# መጽሓፍ ቅዱስ

## ብሉይን ሓድሽን ኪዳን

# The Bible in Tigrigna

## Old and New Testaments

DEC 2011

# 2013 መጽሓፍ ቅዱስ ብሉይን ሓድሽን ኪዳን

PDF version for mobile devices and offline use. Not for print

This bible is re-typed and reviewed by Philadelphia Church in Amsterdam and many other volunteers. It is possible that the document contains spelling errors or some missing verses. Errors are corrected continuously and a new revised version is available for download at www.geezexperience.com/tigrignabible/

Please do write us email if you find any typing error at tigrignabible@geezexperience.com or visit www.geezexperience.com/tigrignabible/ to submit your correction.

©copyright pdf format geezexperience.com. content Bible society of Eritrea

# ኦሪት ዘፍጥረት

## ምዕራፍ 1

1 ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማይን ምድርን ፈጠረ። 2 ምድሪ ድማ በረኻን ጥራያን ነበረት፡ ጸልማት ከኣ
ኣብ ልዕሊ መዓሙቕ ነበረ። መንፈስ ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ማያት ይዝምቢ ነበረ።

3 ኣምላኽ ከኣ፥ ብርሃን ይኹን፡ በለ። ብርሃን ድማ ኾነ። 4 ኣምላኽ ድማ እቲ ብርሃን ጽቡቕ ከም ዝኾነ
ረኣየ። ኣምላኽ ከኣ ነቲ ብርሃን ካብ ጸልማት ፈለዮ። 5 ኣምላኽ ነቲ ብርሃን መዓልቲ ኣውጽኣሉ። ነቲ
ጸልማት ከኣ ለይቲ ኣውጽኣሉ። ምሸት ኰነ ብጊሓትውን ኰነ፡ ሓንቲ መዓልቲ።

6 ኣምላኽ ድማ፥ ንማያት ካብ ማያት ዚፈሊ ጠፈር ኣብ መንጎ ማያት ይኹን፡ በለ። 7 ኣምላኽ ነቲ ጠፈር
ገበሮ። ነቲ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ዘሎ ማያት ድማ ኻብቲ ኣብ ልዕሊ ጠፈር ዘሎ ማያት ፈለዮ፡ ከምኡውን
ኰነ። 8 ኣምላኽ ከኣ ነቲ ጠፈር ሰማይ ኣውጽኣሉ። ምሸት ኰነ ብጊሓትውን ኰነ፡ ካልኣይቲ መዓልቲ።

9 ኣምላኽ ድማ፥ እቲ ንቑጽ ምእንቲ ኺርኤስ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዘሎ ማያት ናብ ሓንቲ ቦታ
ይተኣከብ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። 10 ኣምላኽ ከኣ ነቲ ንቑጽ ምድሪ ኣውጽኣሉ፡ ነቲ እኩብ ማያት ድማ
ባሕሪ ኣውጽኣሉ። ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። 11 ኣምላኽ ድማ፥ እታ ምድሪ ሳዕርን ዘርኢ
ዚህብ ብቝልን፡ ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ፡ ፍረ ከከም ዓይነቱ ኣብ ምድሪ ዚፈሪ ኦም ተውጽእ፡ በለ።
ከምኡ ድማ ኾነ። 12 እታ ምድሪ ሳዕርን ከከም ዓይነቱ ዘርኢ ዚህብ ብቝልን፡ ዘርኡ ኣብ ርእሱ ዘለዎ
ፍረ ዚፈሪ ኣእዋም ከኣ ኣውጽኤት። ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። 13 ምሸት ኰነ ብጊሓትውን
ኰነ፡ ሳልሰይቲ መዓልቲ።

14 ኣምላኽ ድማ፥ ንመዓልቲ ኻብ ለይቲ ዚፈልዩ ብርሃናት ኣብ ጠፈር ሰማይ ይኹን፡ ንዘበናትን
ንመዓልታትን ዓመታትን ከኣ ንመፈለጥታ ይኹን። 15 ኣብ ምድሪ ንምብራህ ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃናት
ይኹን፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። 16 ኣምላኽ ከኣ ኽልተ ዓበይቲ ብርሃናት ገበረ፥ እቲ ዓብዪ ብርሃን
ብመዓልቲ ኺስልጥን፡ እቲ ንእሽቶ ብርሃን ድማ ብለይቲ ኺስልጥን፡ ከዋኽብቲውን ገበረ። 17-18 ኣብ
ልዕሊ ምድሪ ምእንቲ ኼብርሁ፡ ኣብ መዓልትን ኣብ ለይትን ድማ ኪስልጥኑ፡ ንብርሃንውን ካብ
ጸልማት ኪፈልዩ፡ ኣምላኽ ኣብ ጠፈር ሰማይ ገበሮም። ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝኾነ ረኣየ። 19
ምሸት ኰነ ብጊሓትውን ኰነ፡ ራብዐይቲ መዓልቲ። 20 ኣምላኽ ድማ፥ ማያት ህያው ነፍሲ ዘለዎ
ውንጅርጅር ዚብል እንስሳ የውጽእ፡ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣብ ትሕቲ ጠፈር ሰማይ ከኣ ኣዕዋፍ ይንፈራ፡
በለ። 21 ኣምላኽ ድማ ነቶም ዓበይቲ እንስሳ ባሕርን ነቲ ማያት ዘውጽኦ በብዓይነቱ ህያው ነፍሲ ዘለዎ
ውንጅርጅር ዚብል ኵሉን፡ ክንፊ ዘለወን በብዓይነተን ኵለን ኣዕዋፍን ፈጠረ። ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ከም
ዝኾነ ረኣየ። 22 ኣምላኽ ድማ፥ ፍረዩን ተባዝሑን ንማያት ባሕሪ ምልእዎ፡ ኣዕዋፍ ከኣ ኣብ ምድሪ
ይብዝሓ፡ ኢሉ ባረኾም። 23 ምሸት ኰነ ብጊሓትውን ኰነ፡ ሓምሰይቲ መዓልቲ።

24 ኣምላኽ ድማ፥ ምድሪ ህያው ነፍሲ ዘለዎ በብዓይነቱ እንስሳን ለመምታን ኣራዊት ምድርን በብዓይነቱ

ተውጽእ፡ በለ። ከምኡውን ኰነ። 25 ኣምላኽ ከኣ ኣራዊት ምድሪ በብዓይነቱን እንስሳ በብዓይነቱን ኵሉ
ለመምታ ምድሪ ኸኣ በብዓይነቱ ገበረ። ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከም ዝዀነ ረኣየ።

26 ኣምላኽ ከኣ፥ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ
ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። 27 ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ
ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። 28 ኣምላኽ ከኣ ባረኾም።
ኣምላኽ ድማ፤ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ
ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ፡ በሎም።

29 ኣምላኽ ድማ፥ እንሆ፡ ኣብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ ዘርኢ ዘለዎ ዅሉ ኣሕምልትን ዚዝራእ ዘርኢ ዘለዎ
ፍረ ኦም ናይ ኵሉ ኣእዋምን ሂበኩም ኣሎኹ እሞ፡ ምግቢ ይኹንኩም። 30 ንዅሉ ኣራዊት ምድርን
ንኹለን ኣዕዋፍ ሰማይን ህያው ነፍሲ ንዘለዎ ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኵሉ ኸኣ ኵሉ ለምለም ሳዕሪ
ንምግቦም ሂበዮም ኣሎኹ፡ በለ። ከምኡ ድማ ኾነ። 31 ኣምላኽ ከኣ ዝገበሮ ዘበለ ዅሉ ረኣየ፡ እንሆ፡
ብዙሕ ጽቡቕ ኰነ። ምሸት ኰነ ብጊሓትውን ኰነ፡ ሳድሰይቲ መዓልቲ።

# ምዕራፍ 2

1 ከምኡ ሰማይን ምድርን ኵሉ ሰራዊቶምን ተፈጸሙ። 2 ኣምላኽ ከኣ ነቲ ዝገበሮ ግብሩ በታ ሳብዐይቲ
መዓልቲ ፈጸሞ፡ ብሳብዓይቲ መዓልቲ ድማ ኻብቲ ዝገበሮ ዅሉ ግብሩ ዐረፈ። 3 ኣምላኽ ከኣ ኻብቲ
ዝፈጠሮን ዝገበሮን ኵሉ ግብሩ ብእኣ ስለ ዝዐረፈ፡ ነታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ባረኻን ቀደሳን።

4 በታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምድርን ሰማይን ዝፈጠረላ መዓልቲ ምስ ተፈጥሩ፡ ወለዶ ሰማይን ምድርን
እዚ እዩ። 5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ምድሪ ገና ኣየዝነመን ነበረ፡ ንምድሪ ዚዐዪ ሰብውን ኣይነበረን
እሞ፡ ገና ገለ ኦም መሮር ኣይነበረን፡ ሳዕሪ መሮር ከኣ ሓንቲኳ ኣይበቘለትን ነበረት። 6 ግናኸ ንዅሉ
ዝባን ምድሪ ዜስቲ ግመ ኻብ ምድሪ ይወጽእ ነበረ። 7 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ካብ ሓመድ
ምድሪ ገበሮ፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ትንፋስ ህይወት ኡፍ በለሉ እሞ እቲ ሰብ ህያው ነፍሲ ኾነ።

8 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ኣብ ኤድን ብሸነኽ ምብራቕ ገነት ተኸለ። ነቲ ዝገበሮ ሰብ ድማ ኣብኣ
ኣንበሮ። 9 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ምርኣዩ ዜብህግ፡ ምብላዑ ዝጥዑም ኵሉ ኦም ኣብ ምድሪ ኣብቈለ፡
ኣብ ማእከል ገነት ከኣ ኦም ህይወት፡ እታ ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ድማ። 10 ንገነት ዜስቲ ርባ ከኣ
ካብ ኤድን ይውሕዝ ነበረ። ካብኡ ድማ ተፈላልዩ ኣርባዕተ ጨንፈር ኰነ። 11 ስም እቲ ሓደ ፒሶን እዩ።
ነሱ ነታ ወርቂ ዘለዋ ዅላ ምድሪ ሓዊላ ይኸብብ። 12 ወርቂ እታ ምድሪ እቲኣ ድማ ጽቡቕ እዩ። ኣብኡ
ብዶላህን ክቡር ዕንቍን ኣሎ። 13 ስም እቲ ኻልኣይ ርባ ድማ ጊሆን እዩ፡ ንሱ ንዅላ ምድሪ ኩሽ ይዞራ።
14 ስም እቲ ሳልሳይ ርባ ኸኣ ሂዴቄል እዩ፡ ንሱ ብቕድሚ ኣሶር ኣቢሉ ዚኸይድ እዩ። እቲ ራብዓይ ርባ
ድማ ኤፍራጥስ እዩ። 15 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ፡ ኪዐይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤድን
ኣቐመጦ። 16 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንሰብ፡ ካብ ኵሉ ኦም ገነት ከም ዝደሌኻ ብላዕ፡ 17 ካብታ
ጽቡቕን ክፉእን እተፍልጥ ኦም ግና፡ ካብኣ ምስ እትበልዕ መዓልትስ ሞት ክትመውት ኢኻ እሞ፡ ካብኣ
ኣይትብላዕ፡ ኢሉ ኣዘዞ።

[18] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ፡ ሰብኣይ በይኑ ኪኸውን ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት
ክገብረሉ እየ፡ በለ። [19] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንዅሉ ኣራዊት መሮርን ንዅለን ኣዕዋፍ ሰማይን ካብ
ምድሪ ገበረ። እንታይ ከም ዚሰምየን ምእንቲ ኺርኢ ኸኣ ናብ ሰብ ኣምጽኤን። ነቲ ህያው ነፍሲ ዘለዎ
ዅሉ፡ እቲ ሰብ ከም ዘውጽኣሉ፡ ስሙ ንሱ ኾነ። [20] ሰብ ድማ ንዅሉ እንስሳን ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት
መሮርን ሰስሙ ሀቦ። ንሰብ ግና ንእኡ እትበቅዕ ደጋፊት ኣይተረኸበትን። [21] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ
ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ ኣውደቐሉ፡ ደቀሰ ድማ። ካብ መሰንገሊኡ ኸኣ ሓንቲ ወሰደ፡ ኣብ ስፍራኣ
ድማ ስጋ መልኣ። [22] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ኻብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መሰንገለ፡ ሰበይቲ ገይሩ፡
ሰርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ። [23] እቲ ሰብኣይ ከኣ፥ እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፡ ስጋ ኸኣ ካብ
ስጋይ እያ፡ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ፡ ሰበይቲ ትብሀል፡ በለ። [24] ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን
ይሓድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጠብቕ። ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ። [25] እቲ ሰብኣይን ሰበይቱን ድማ
ኽልቲኦም ጥራዮም ነበሩ፡ ኣይሓንኩን ከኣ ነበሩ።

# ምዕራፍ 3

[1] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ካብ ዝፈጠሮ ዅሉ ኣራዊት መሮር ተመን ይጒርሕ ነበረ። ነታ ሰበይቲ ኸኣ፥
ኣምላኽሲ፥ ካብ ዅሉ ኦም ገነት ኣይትብልዑ፡ ኢሉዶ ኣዚዙ እዩ፧ በላ።

[2] እታ ሰበይቲ ነቲ ተመን በለቶ፥ ኣብ ገነት ካብ ዘሎ ፍረ ኦም ንበልዕ ኢና። [3] ብዛዕባ ፍረ እታ ኣብ
ማእከል ገነት ዘላ ኦም ግና ኣምላኽ፥ ከይትሞቱስ፡ ካብኣ ኣይትብልዑ ኣይትተንከይዋውን፡ በለ። [4-5] እቲ
ተመን ድማ ነታ ሰበይቲ፡ ኣይፋልኩም፡ ኣምላኽ ደኣ ካብኣ ምስ እትበልዑ መዓልቲ ኣዒንትኹም ከም
ዚኽፈታ፡ ከም ኣምላኽውን ከም እትኾኑ፡ ጽቡቕን ክፉእን ከኣ ከም እትፈልጡ፡ ስለ ዝፈለጠ እዩ
እምበር፡ ከቶ ኣይትሞቱን ኢኹም፡ በላ። [6] እታ ሰበይቲ ድማ፡ እታ ኦም ምብላዓ ጥዕምቲ፡ ነዒንቲ ኸኣ
ጽብቕቲ፡ ጥበብ ብምሃባውን እተብህግ ኦም ምዃና ርእያ፡ ካብ ፍሪኣ ወሲዳ በልዔት፡ ምስኣ ኸኣ
ንሰብኣያ ሀበቶ፡ ንሱውን በልዔ። [7] ሽዑ ኣዒንቲ ኽልቲኦም ተኸፍታ፡ ጥራዮም ምዃኖም ድማ ፈለጡ።
ቈጽሊ በለስ ኣላጊቦም ከኣ ተዐጥቁ። [8] ምድሪ ምስ ወልወለ ድማ፡ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ
ገነት ኪመላለስ ሰምዑ። ኣዳምን ሰበይቱን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣእዋም ገነት
ተሐብኡ። [9] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳም ጸዊዑ፥ ኣበይ ኣሎኻ፧ በሎ። [10] ንሱ ኸኣ፥ ድምጽኻ ኣብ
ገነት ሰሚዔ ፈራህኩ፡ ጥራየይ ከኣ እየ እሞ፡ ተሓባእኩ፡ በለ። [11] ንሱ ድማ፥ ጥራይካ ምዃንካ ደኣ መን
ነገረካ፧ ካብታ፡ ካብኣ ኣይትብላዕ፡ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦምዶ በሊዕካ ኢኻ፧ በሎ። [12] ኣዳም ከኣ፥ እዛ ምሳይ
ክትከውን ዝሀብካኒ ሰበይቲ ኻብታ ኦም ሀበትኒ እሞ በላዕኩ፡ በለ። [13] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ
ሰበይቲ፥ ስለምንታይ እዚ ገበርኪ፧ በላ። እታ ሰበይቲ ኸኣ፡ ተመን ኣስሒቱኒ በላዕኩ፡ በለቶ። [14] ሽዑ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ተመን፡ እዚ ስለ ዝገበርካ፡ ካብ ዅሉ እንስሳን ኣራዊት መሮርን ርጉም ኩን፡
ብኸብድኻ ክትከይድ፡ ዅሉ ዘበን ህይወትካ ድማ መሬት ክትበልዕ ኢኻ። [15] ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ
እዛ ሰበይትን፡ ኣብ መንጎ ዘርእኻን ኣብ መንጎ ዘርኣን ከኣ ጽልኢ እተክል ኣሎኹ። ንሱ ርእስኻ
ኪጭፍልቕ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሸኾናኡ ኽትነክስ ኢኻ፡ በሎ። [16] ነታ ሰበይቲ ኸኣ፡ መከራኽን ጻዕሪ
ጥንስኽን ኣዝየ ኽብዝሖ እየ፡ ደቂ ብጻዕሪ ኽትወልዲ ኢኺ፡ ድሌትኪ ድማ ናብ ሰብኣይኪ ኪኸውን
እዩ፡ ንሱውን ኪመልከኪ እዩ፡ በላ። [17] ንኣዳም ከኣ፡ ቃል ሰበይትኻ ስለ ዝሰማዕካ እሞ ካብታ፡ ካብኣ

ኣይትብላዕ፡ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኦም ስለ ዝበላዕካ፡ ምድሪ ብዛዕባኻ ርግምቲ ትኹን። ኵሉ ዘበን ህይወትካ
እንጌራኻ ኻብኣ ብጻዕሪ ኽትበልዕ ኢኻ። 18 እሾኽን ተኹርባን ተብቍለልካ፡ ብቝሊ መሮር ድማ
ኽትበልዕ ኢኻ። 19 ናብታ እተፈጠርካላ ምድሪ ኽሳዕ እትምለስ፡ እንጌራ ብረሃጽ ገጽካ ኽትበልዕ ኢኻ።
መሬት ኢኻ እሞ፡ ናብ መሬት ድማ ትምለስ፡ በሎ። 20 እቲ ሰብኣይ ድማ ንሰበይቱ፡ ኣደ ኹሉ ህያው
ኰይና እያ እሞ፡ ሄዋን ኢሉ ሰመያ። 21 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ንኣዳምን ንሰበይቱን ደበሎ ገይሩ
ኸደኖም። 22 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ፥ እንሆ፡ ኣዳም ከም ሓደ ኻባና፡ ጽቡቕን ክፉእን ዚፈልጥ
ኰይኑ ኣሎ። ሕጂ ኸኣ ኢዱ ኸይዝርግሕ፡ ካብ ኦም ህይወት ወሲዱ ድማ ኸይበልዕ፡ ንዘለኣለም ከኣ
ህያው ኰይኑ ኸይነብር፡ ኢሉ፡ 23 ስለዚ ነታ እተፈጥረላ ምድሪ ምእንቲ ኺዐይያ ድማ፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ካብ ገነት ኤደን ኣውጽኦ። 24 ከምኡ ንኣዳም ኣውጽኦ፡ ንምሕላው መገዲ ኦም ህይወት ከኣ
ብሸነኽ ምብራቕ ገነት ኤድን ምስናይ እተምበልብል ሃልሃልታ ሴፍ፡ ኪሩቤል ኣቐመጠ።

# ምዕራፍ 4

1 ኣዳም ድማ ንሰበይቱ ሄዋን ፈለጣ፡ እሞ ጠነሰት፡ ንቃየል ከኣ ወለደት፥ ብረድኤት እግዚኣብሄር ሰብ
ተቐበልኩ፡ ድማ በለት። 2 ደጊማውን ንሓው ኣቤል ወለደት። ኣቤል ድማ ጓሳ ኣባጊዕ፡ ቃየል ከኣ ዓያዪ
ምድሪ ኾነ። 3 ድሕሪ ገለ ወርሓት ድማ ኾነ፡ ቃየል ካብ ፍረ ምድሪ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣምጽኤ።
4 ኣቤል ከኣ ካብ ብኹራት ኣባጊዑን ካብ ስብሔንን ኣምጽኤ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ኣቤልን ናብ
መስዋእቱን ባህ ኢልዎ ረኣየ። 5 ናብ ቃየልን ናብ መስዋእቱን ግና ባህ ኢልዎ ኣይረኣየን። ቃየል ከኣ ኣዝዩ
ኾረየ፡ ገጹ ድማ ጸለመ። 6 እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል፥ ስለምንታይ ኰሬኻ፧ ስለምንታይከ ገጽካ ጸለመ፧ 7
ጽቡቕ እንተ ትገብርሲ፡ ገጽካዶ ትኽ ኣይምበለን፡ ጽቡቕ እንተ ዘይገበርካ ድማ፡ ሓጢኣት ኣብ ኣፍደገ
ትቃጸወካ ኣላ፡ ሃረርታኣውን ናባኻ እዩ፡ ግናኸ ንስኻ ክትገዝኣ ይግባኣካ፡ በሎ። 8 ቃየል ድማ ንሓዉ
ኣቤል ተዛረቦ። ኰነ ኸኣ፡ ኣብ መሮር ከለዉ፡ ቃየል ንሓዉ ኣቤል ተንስኦ፡ ቀተሎ ድማ።

9 እግዚኣብሄር ከኣ ንቃየል፥ ኣቤል ሓውኻ፡ ኣበይ ኣሎ፧ በሎ። ንሱ ድማ፥ ኣይፈልጥን፡ ኣነዶ ሓላው
ሓወይ እየ፧ በለ። 10 ንሱ ኸኣ፥ እንታይ ጌርካ ኢኻ፧ ድምጺ ደም ሓውካ ኻብ ምድሪ ናባይ ይጠርዕ ኣሎ።
11 ሕጂ ድማ ንስኻ ካብዛ ንደም ሓውካ ኻብ ኢድካ ኽትቅበል ኣፋ ዝኸፈተት ምድሪ ርጉም ኩን፡ 12
ንምድሪ ምስ እትሓርሳ መሊሳ ሓይላ ኣይክትህበካን እያ፡ ኣብ ምድሪ ኰብላልን ቀባሕባሓይን ኩን፡
በለ። 13 ቃየል ከኣ ንእግዚኣብሄር በሎ፥ በደለይ ክጾሮ ዘይክኣለኒ ዓብዩ እዩ። 14 እንሆ፡ ሎሚ ኻብ ገጽ
ምድሪ ትሰጕኒ ኣሎኻ፡ ኣነ ድማ ኻብ ገጽካ ኽሕባእ እየ፡ ኣብ ምድሪ ኰብላልን ቀባሕባሓይን ክኸውን
እየ። ክኸውን ከኣ እዩ፡ ዚረኽበኒ ዘበለ ኹሉ ኪቐትለኒ እዩ። 15 እግዚኣብሄር ድማ፥ እምበኣር ንቃየል
ዝቐተለ ኹሉ ሾብዓተ ካዕበት ሕነ ኺፍደዮ እዩ፡ በሎ። ዝረኸቦ ኹሉ ምእንቲ ኸይቀትሎ ኸኣ፡
እግዚኣብሄር ንቃየል ምልክት ገበረሉ።

16 ቃየል ድማ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወጸ፡ ኣብ ምድሪ ኖድ ከኣ፡ ኣብ ምብራቕ ኤድን ተቐመጠ። 17
ቃየል ከኣ ንሰበይቱ ፈለጣ፡ እሞ ጠነሰት፡ ንሄኖክ ድማ ወለደት። ንሱ ኸኣ ከተማ ሰርሔ፡ ስም እታ
ኸተማ ድማ ብስም ወዱ ሄኖክ ኣውጽኣላ። 18 ንሄኖክ ከኣ ኢራድ ተወልደሉ። ኢራድ ድማ ንሜሁያኤል
ወለደ። ሜሁያኤል ከኣ ንሜቱሳኤል ወለደ። ሜቱሳኤል ድማ ንላሜክ ወለደ።

19 ላሜክ ክልተ ኣንስቲ ኣእተወ፡ ስም እታ ሓንቲ ዓዳ፡ ስም እታ ኻልኣይቲ ድማ ጺላ ነበረ። 20 ዓዳ
ንያባል ወለደት። ንሱ ኣቦ እቶም ኣብ ድንኳውንቲ ዚነብሩን ማሎም ዚጓስዩን ኰነ። 21 ስም ሓዉ ኸኣ
ዮባል እዩ። ንሱ ኸኣ ኣቦ ኹሎም እቶም ወቓዕቲ መሰንቆን በገናን ኰነ። 22 ጺላ ድማ ንቱባልቃይን
ወለደት። ንሱ ኸኣ ካብ ኣስራዝን ሓጺንን ኵሉ ዓይነት መቕረጺ ይሰርሕ ነበረ። ሓውቲ ቱባልቃይን ድማ
ናዕማ እያ። 23 ላሜክ ድማ ነንስቱ በለን፥ ዓዳን ጺላን፡ ቃለይ ስምዓ፡ ኣትን ኣንስቲ ላሜክ፡ ናብ ዘረባይ
ጽን በላ፡ ስለ ቕስለይ ሰብኣይ፡ ስለ ስምብራተይ ድማ ጐበዝ ቀተልኩ። 24 ንቃየል ሾብዓተ ኻዕበት ሕነ
እንተ ዝፈድዮስ፡ ንላሜክ ከኣ ሰብዓን ሾብዓተን ካዕበት።

25 ኣዳም መሊሱ ንሰበይቱ ፈለጣ። ንሳ ኸኣ ወዲ ወለደት፡ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ እቲ ቃየል ዝቐተሎ ኣቤል
ካልእ ፍረ ኽርሲ ተኪኡኒ እዩ፡ ኢላ ስሙ ሴት ኣውጽኣትሉ። 26 ንሴት ድማ ወዲ ተወልደሉ። ስሙ ኸኣ
ሄኖስ ኣውጽኣሉ። ሽዑ ሰብ ብስም እግዚኣብሄር ኪምህለሉ ጀመሩ።

# ምዕራፍ 5

1 መጽሓፍ ወለዶ ኣዳም እዚ እዩ፥ ኣምላኽ በታ ንሰብ ዝፈጠረላ መዓልቲ ብምስሊ ኣምላኽ ገበሮ። 2
ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም፡ ባረኾም ድማ። በታ እተፈጥሩላ መዓልቲ ኸኣ ስሞም ኣዳም
ኢሉ ኣውጽኦሎም።

3 ኣዳም ድማ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ገበረ፡ ከም መልክዑ ኸኣ ንእኡ ዚመስል ወዲ ወለደ፡ ስሙውን
ሴት ኣውጽኣሉ። 4 ዕድመ ኣዳም ድሕሪቲ ንሴት ምስ ወለዶ፡ ሾሞንተ ሚእቲ ዓመት ኰነ። ኣወዳትን
ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 5 ኣዳም ዝነበሮ ኹሉ ዕድሜኡ ትሽዓተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ኰነ። ሞተ ኸኣ። 6
ሴት ድማ ሚእትን ሓሙሽተን ዓመት ገበረ፡ ንሄኖስ ከኣ ወለደ። 7 ሴት ንሄኖስ ምስ ወለደ ድማ፡
ድሕሪኡ ሾሞንተ ሚእትን ሾብዓተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ወለደ። 8 ኵሉ ዕድመ ሴት፡
ትሽዓተ ሚእትን ዓሰርተው ክልተን ዓመት ኰነ። ሞተ ኸኣ።

9 ሄኖስ ድማ ተስዓ ዓመት ገበረ፡ ንቃይናን ከኣ ወለደ። 10 ሄኖስ ድማ ድሕርቲ ንቃይናን ምስ ወለደ፡
ሾሞንተ ሚእትን ዓሰርተው ሓሙሽተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 11 ኵሉ ዕድመ
ሄኖስ ትሽዓተ ሚእትን ሓሙሽተን ዓመት ኰነ። ሞተ ድማ።

12 ቃይናን ከኣ ሰብዓ ዓመት ገበረ፡ ንመሃላልኤል ድማ ወለደ። 13 ቃይናን ንመሃላልኤል ምስ ወለደ ኸኣ፡
ድሕሪኡ ሾሞንተ ሚእትን ኣርብዓን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ወለደ። 14 ኵሉ ዕድመ
ቃይናን ከኣ ትሽዓተ ሚእትን ዓሰርተን ዓመት ኰነ። ሞተ ድማ።

15 መሃላልኤል ከኣ ስሳን ሓሙሽተን ዓመት ገበረ፡ ንያሬድ ድማ ወለደ። 16 መሃላልኤል ንያሬድ ምስ
ወለደ ኸኣ፡ ድሕሪኡ ሾሞንተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ወለደ። 17 ኵሉ
ዕድመ መሃላልኤል ከኣ ሾሞንተ ሚእትን ተስዓን ሓሙሽተን ዓመት ኰነ። ሞተ ድማ።

18 ያሬድ ከኣ ሚእትን ስሳን ክልተን ዓመት ገበረ፡ ንሄኖክ ድማ ወለደ። 19 ያሬድ ንሄኖክ ምስ ወለደ ኸኣ፡
ድሕሪኡ ሾሞንተ ሚእቲ ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ወለደ። 20 ኵሉ ዕድመ ያሬድ ከኣ
ትሽዓተ ሚእትን ስሳን ክልተን ዓመት ኰነ። ሞተ ኸኣ።

21 ሄኖክ ድማ ስሳን ሓሙሽተን ዓመት ገበረ፡ ንማቱሳላ ኸኣ ወለደ። 22 ሄኖክ ንማቱሳላ ምስ ወለደ ኸኣ፡
ድሕሪኡ ሰለስተ ሚእቲ ዓመት ምስ ኣምላኽ ተማላለሰ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 23 ኵሉ ዕድመ
ሄኖክ ድማ ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓሙሽተን ዓመት ኰነ። 24 ሄኖክ ከኣ ምስ ኣምላኽ ተማላለሰ፡ ኣምላኽ
ወሲድዎ እዩ እሞ ኣይተራእየን። 25 ማቱሳላ ድማ ሚእትን ሰማንያን ሾብዓተን ዓመት ገበረ፡ ንላሜክ ከኣ
ወለደ። 26 ማቱሳላ ንላሜክ ምስ ወለደ ኸኣ፡ ድሕሪኡ ሾብዓተ ሚእትን ሰማንያን ክልተን ዓመት ገበረ፡
ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 27 ኵሉ ዕድመ ማቱሳላ ኸኣ ትሽዓተ ሚእትን ስሳን ትሽዓተን ዓመት
ኰነ። ሞተ ድማ።

28 ላሜክ ከኣ ሚእትን ሰማንያን ክልተን ዓመት ገበረ፡ ወዲ ድማ ወለደ። 29 ኣብዛ እግዚኣብሄር ዝረገማ
ምድሪ ኻብ ዘሎ ዕዮናን ካብ ጻዕሪ ኢድናን እዚ ኼጸናንዓና እዩ፡ ኢሉ ስሙ ኖህ ኣውጽኣሉ። 30 ላሜክ
ንኖህ ምስ ወለደ ኸኣ፡ ድሕሪኡ ሓሙሽተ ሚእትን ተስዓን ሓሙሽተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን
ድማ ወለደ። 31 ኵሉ ዕድመ ላሜክ ከኣ ሾብዓተ ሚእትን ሰብዓን ሾብዓተን ዓመት ኰነ። ሞተ ድማ። 32
ኖህ ከኣ ወዲ ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመት ኰነ፡ ኖህ ድማ ንሴምን ንካምን ንያፌትን ወለደ።

## ምዕራፍ 6

1 ኰነ ድማ ሰብ ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ኺበዝሕ ምስ ጀመረ፡ ኣዋልድ ከኣ ምስ ተወልዳሎም፡ 2 እቶም
ደቂ ኣምላኽ ድማ ነተን ኣዋልድ ሰብ፡ መልክዔኛታት ከም ዝኾና ምስ ረኣዩ፡ ካባታተን ዘዝሐረይወን
ኣንስቲ ወሰዱ። 3 እግዚኣብሄር ከኣ፥ ንሱ ስጋ ድማ እዩ፡ መንፈሰይ ንሓዋሩ ምስ ሰብ ኣይጻረርን፡ ስለዚ
ዘበኑ ሚእትን ዕስራን ዓመት ይኹን፡ በለ። 4 ደቂ ኣምላኽ ናብተን ኣዋልድ ሰብ ምስ ኣተዉ፡ ንሳተን ከኣ
ምስ ወለዳሎም፡ በቲ ዘበን እቲ፡ ብድሕሪኡ ድማ፡ ኣብ ምድሪ ንጉዓት ሰባት ነበሩ። እቶም ካብ ጥንቲ
ስሙያት ዝነበሩ ጀጋኑ ሰባት እዚኣቶም እዮም።

5 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ክፍኣት ሰብ ኣብ ምድሪ ኸም ዝበዝሔን ብሓሳባት ልቡ ዚሕልኖ ድማ ወርትግ
ክፉእ ጥራይ ከም ዝኾነን ረኣየ። 6 እግዚኣብሄር ከኣ ንሰብ ኣብ ምድሪ ብምግባሩ ተጣዕሰ፡ ብልቡ ድማ
ጒሀየ። 7 እግዚኣብሄር ከኣ፥ ንሰብ ስለ ዝገበርክዎ ተጣዒሰ እየ እሞ፡ ንዝፈጠርክዎ ሰብ፡ ካብ ሰብ ክሳዕ
እንስሳ፡ ክሳዕ ለመምታ፡ ክሳዕ ኣዕዋፍ ሰማይ ድማ ካብ ዝባን ምድሪ ኽድምስሶም እየ፡ በለ። 8 ኖህ ግና
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞገስ ረኸበ።

9 ወለዶ ኖህ እዚ እዩ፥ ኖህ ኣብቶም ወለዶታቱ ጻድቕን እንታ ዜብሉን ሰብኣይ ነበረ። ኖህ ምስ ኣምላኽ
ተማላለሰ። 10 ኖህ ድማ ሰለስተ ወዲ፡ ሴምን ካምን ያፌትን፡ ወለደ። 11 ምድሪ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ
ተባላሽያ ነበረት፡ ምድሪ ድማ ብዓመጻ መልኤት። 12 ስጋ ዘበለ ኹሉ መገዱ ኣብ ምድሪ ኣባላሽዩ ነበረ
እሞ፡ ኣምላኽ ከኣ ንምድሪ ረኣያ፡ እንሆ ድማ ተባላሽያ ነበረት። 13 ኣምላኽ ከኣ ንኖህ በሎ፥ ብሰሮም
ምድሪ ዓመጻ መሊኣ እያ እሞ፡ መወዳእታ ኹሉ ስጋ ኣብ ቅድመይ በጽሔ። እንሆ ድማ፡ ኣነ ምስታ
ምድሪ ኸጥፍኦም እየ።

14 ንኣኻ ኻብ ኦም ጎፌር መርከብ ስራሕ። ነታ መርከብ ክፍልታት ግበረላ፡ ውሽጣን ግዳማን ከኣ
ብቕጥራን ለቕልቃ። 15 ከምዚ ኸኣ ግበራ፥ ምናሕ እታ መርከብ ሰለስተ ሚእቲ እመት፡ ምግፍሓ ሓምሳ
እመት፡ ቍመታ ድማ ሰላሳ እመት ይኹን። 16 ነታ መርከብ ኣብ ላዕላያ እመት ዝቝመቱ መስኰት

ግበረላ። ኣፍ ደገ እታ መርከብ ድማ ብጎቦኣ ግበሮ። ታሕታይን ካልኣይን ሳልሳይን ደርቢ ግበረላ። 17
ምእንቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ህያው ትንፋስ ዘለዎ ዅሉ ስጋ ኺጠፍእሲ፡ እንሆ ድማ፡ ኣነ ማይ ኣይሂ ናብ
ምድሪ ኽምጽእ እየ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዅሉ ኺመውት እዩ። 18 ምሳኻ ግና ኪዳነይ ከቕውም እየ፡
ንስኻ፡ ምሳኻ ድማ ደቕኻን ሰበይትኻን ኣንስቲ ደቕኻን፡ ናብ መርከብ ክትኣቱ ኢኻ። 19 ምሳኻ
ብህይወት ምእንቲ ኽትሕልዎም ድማ፡ ካብ ኵሉ ህያው ካብ ስጋ ዘበለ፡ ከክልተ ኻብ ኩሉ ዓይነት ናብ
መርከብ ኣእቱ፡ ተባዕታይን ኣንስተይትን ይኹኑ። 20 ንስኻ ብህይወት ምእንቲ ኽትሕልዎምሲ፡ ካብ
ኣዕዋፍ በብዓይነተን፡ ካብ እንስሳ በብዓይነቱ ኣብ ምድሪ ለመም ካብ ዚብል በብዓይነቱ ጌርካ፡ ካብ
ዝኾነ ዓሌት ከክልተ ናባኻ ይእተዉ። 21 ካብ ዚብላዕ ኵሉ ዓይነት ብልዒ ድማ ንኣኻን ንኣታቶምን
ቀለብ ኪኸውን ኣእቲኻ ኣባኻ ኣከቦ። 22 ኖህ ድማ ከምኡ ገበረ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ንዅሉ ነገር
ከምኡ ገበረ።

# ምዕራፍ 7

1 እግዚኣብሄር ድማ ንኖህ በሎ፥ ኣብዛ ወለዶ እዚኣ ኣብ ቅድመይ ጻዲቕካ ረኺበካ እየ እሞ፡ ምስ ብዘላ
ቤትካ ናብ መርከብ እቶ። 2-4 ድሕሪ ሾብዓተ መዓልቲ ኣነ ኣብ ምድሪ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን
ከዝንም እየ፡ ነቲ ዝገበርክዎ ዅሉ ህያው ድማ ካብ ዝባን ምድሪ ኽድምስሶ እየ እሞ፡ ካብ ኵሉ ንጹህ
እንስሳ ሾሾብዓተ ተባዕታይን ኣንስተይትን፡ ካብ ኵሉ ዘይንጹህ እንስሳ ኽኣ ከክልተ፡ ተባዕታይን
ኣንስተይትን፡ ካብ ኣዕዋፍ ሰማይ ድማ፡ ምእንቲ ኣብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ ዘርኢ ኪኾና ብህይወት
ኪተርፉ፡ ሾሾብዓተ፡ ተባዕታይን ኣንስተይትን ምሳኻ ውሰድ። 5 ኖህ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ
ዅሉ ገበረ። 6 ኖህ ድማ፡ እቲ ማይ ኣይሂ ኣብ ምድሪ ኪኸውን ከሎ፡ ወዲ ሹድሽተ ሚእቲ ዓመት ኰይኑ
ነበረ።

7 ኖህን ደቁን ሰበይቱን ኣንስቲ ደቁን ከኣ ምስኡ ብዛዕባ ማይ ኣይሂ ናብ መርከብ ኣተዉ። 8 ካብ ንጹህ
እንስሳን ካብ ዘይንጹህ እንስሳን ካብ ኣዕዋፍን ኣብ ምድሪ ለመም ካብ ዚብል ኵሉን፡ 9 ከምቲ ኣምላኽ
ንኖህ ዝኣዘዞ፡ ከክልተ፡ ተባዕታይን ኣንስተይትን፡ ናብ ኖህ ናብ መርከብ ኣተዉ። 10 ኰነ ኸኣ፡ ድሕሪ
እተን ሾብዓተ መዓልቲ ማይ ኣይሂ ኣብ ምድሪ ኾነ።

11 ኣብ መበል ሹድሽተ ሚእቲ ዓመቱ ንዕድመ ኖህ፡ ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ ኣብ
መበል ዓሰርተው ሾብዓተ መዓልቲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ናይቲ ዓበይቲ መዓሙቕ ዓይኒ ማያት ተቐደ፡
መሳኹቲ ሰማይ ድማ ተኸፍተ። 12 ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ከኣ ኣብ ምድሪ ዘነመ። 13 በታ
መዓልቲ እቲኣ ድማ ኖህን ደቂ ኖህ ከኣ፡ ሴምን ካምን ያፌትን፡ ሰበይቲ ኖህን ሰለስቲኤን ኣንስቲ ደቁ
ድማ ምስኦም ናብ መርከብ ኣተዉ። 14 ንሳቶምን ኵሉ ኣራዊት በብዓይነቱን ኵሉ እንስሳ በብዓይነቱን
ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ኵሉ ለመምታ በብዓይነቱን ኵለን ኣዕዋፍ በብዓይነተን ኵለን ጨራሩን፡ ክንፊ
ዘለዎ ዅሉ ድማ ናብ መርከብ ኣተዉ። 15 ህያው ትንፋስ ካብ ዘለዎ ዅሉ ስጋ ከክልተ ናብ ኖህ ናብ
መርከብ ኣተዉ። 16 እቶም ዝኣተዉ ድማ ኸምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ፡ ካብ ኵሉ ስጋ ተባዕታይን ኣንስተይትን
ኣተዉ። እግዚኣብሄር ከኣ ብድሕሪኡ ዐጸዎ። 17 ማይ ኣይሂ ድማ ኣርብዓ መዓልቲ ኣብ ምድሪ ዘነመ።
እቲ ማይ ከኣ በዝሔ፡ ነታ መርከብ ድማ ኣልዐላ ካብ ምድሪ ኸኣ ንላዕሊ ኸብ በለት። 18 እቲ ማይ ድማ
በርትዔ፡ ኣብ ምድሪ ኸኣ ኣዝዩ በዝሔ። እታ መርከብ ድማ ኣብ ልዕሊ ማይ ተጽባህልል ነበረት። 19 እቲ

ማይ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣዝዩ እናበርትዔ ኸደ፡ ኣብ ትሕቲ ብዘሎ ሰማይ ዝነበረ ኹሉ ነዋሕቲ ኣኽራን
ከኣ ተጐልበበ። [20] እቲ ማይ ዓሰርተው ሓሙሽተ እመት ንላዕሊ ደየበ፡ እቲ ኣኽራን ከኣ ተጐልበበ። [21]
ሽዑ ኣብ ምድሪ ዚወሳወስ ስጋ ዘበለ ኹሉ ኣዕዋፍን እንስሳን ኣራዊትን ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ኵሉ
ለመምታን ኵሉ ሰብን ሞተ። [22] ኣብ ንቑጽ ምድሪ ዝነበረ ኹሉ፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ትንፋስ ህያው መንፈስ
ዝነበሮ ሞተ። [23] ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዝነበረ ኹሉ ህያው ጠፍኤ፡ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳን ለመምታን
ኣዕዋፍ ሰማይ ካብ ምድሪ ጠፍኡ። ኖህ ጥራይ ምስቶም ምስኡ ኣብ መርከብ ዝነበሩ ተረፈ። [24] እቲ ማይ
ድማ ኽሳዕ ሚእትን ሓምሳን መዓልቲ ኣብ ምድሪ በርትዔ።

# ምዕራፍ 8

[1] ኣምላኽ ከኣ ንኖህን ነቶም ምስኡ ኣብ መርከብ ዝነበሩ ኹሎም ኣራዊትን ኵሉ እንስሳን ዘከረ። ኣምላኽ
ድማ ኣብ ምድሪ ንፋስ ኣንፈሰ፡ እቲ ማይ ከኣ ጐደለ። [2] ናይቲ መዓሙቕ ዓይኒ ማያትን መሳኹቲ
ሰማይን ተዐብሰ። ሰርቢውን ካብ ሰማይ ጸሓየ። [3] እቲ ማይ ድማ ኻብ ምድሪ እናተመልሰ ኸደ። ኣብ
መወዳእታ ሚእትን ሓምሳን መዓልቲ ኸኣ እቲ ማይ ጐደለ። [4] ብሳብዓይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ
ኣብ መበል ዓሰርተው ሾብዓተ መዓልቲ፡ እታ መርከብ ኣብ ኣኽራን ኣራራት ዐረፈት። [5] እቲ ማይ ከኣ
ክሳዕ ዓስረይቲ ወርሒ እናጐደለ ኸደ። ኣብ ዓስረይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ በታ ቐዳመይቲ
መዓልቲ፡ ርእሲ እቲ ኣኽራን ተራእየ።

[6] ኰነ ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ ኣርብዓ መዓልቲ ኖህ ነቲ ኣብ መርከብ ዝሰርሖ መስኰት ከፈቶ። [7] ኳኹ
ድማ ሰደደ፡ ንሱ ከኣ ማይ ካብ ምድሪ ኽሳዕ ዚነጽፍ፡ ንየው ነጀው ይማላለስ ነበረ። [8] ድሕርዚ ድማ
ማይ ካብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ጐዲሉ እንተ ኾነ ኺርኢ፡ ካብቲ ዘለዎ ርግቢ ሰደደ። [9] ኣብ ልዕሊ ገጽ ኵላ
ምድሪ ማይ ስለ ዝነበረ ግና፡ እታ ርግቢ እግራ እተዕርፈላ ኣይረኸበትን እሞ፡ ናብኡ ናብ መርከብ
ተመልሰቶ። ኢዱ ዘርጊሑ ወሰዳ፡ ናብኡ ኸኣ ናብ መርከብ ኣእተዋ። [10] ገና ሻልእ ሾብዓተ መዓልቲ
ጸኒሑ ድማ፡ ነታ ርግቢ መሊሱ ኻብ መርከብ ሰደዳ። [11] እታ ርግቢ ኣጋ ምሸት ተመልሰቶ፡ እንሆ ኸኣ
ልሙዕ ቈጽሊ ኣውልዕ ኣብ ኣፋ ሒዛ ነበረት። ሽዑ ኖህ ማይ ካብ ምድሪ ኽም ዝነጸፈ ፈለጠ። [12] ገና
ኻልእ ሾብዓተ መዓልቲ ጸኒሑ ድማ ነታ ርግቢ ሰደዳ። ድሕሪ ደጊም ናብኡ ኣይተመልሰትን።

[13] ኰነ ኸኣ፡ ኣብ መበል ሹድሽተ ሚእትን ሓደን ዓመቱ ንኖህ፡ ኣብ ቀዳመይቲ ወርሒ ካብታ ወርሒ
ድማ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ፡ እቲ ማይ ካብ ምድሪ ነጸፈ። ሽዑ ኖህ ናሕሲ መርከብ ቀሊዑ ረኣየ፡
እንሆ ኸኣ ገጽ እታ ምድሪ ነቒጻ ነበረት። [14] ኣብ ካልኣይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ ኣብ መበል
ዕስራን ሾብዓተን መዓልቲ እታ ምድሪ ነቐጸት።

[15] ኣምላኽ ድማ ንኖህ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [16] ንስኻን ሰበይትኻን ደቅኻን፡ ኣንስቲ ደቅኻ ኸኣ ምሳኻ፡
ካብ መርከብ ውጹ። [17] ምሳኻ ዘሎ ኹሉ ህያው ካብ ስጋ ዘበለ፡ ኣዕዋፍን እንስሳን ኣብ ምድሪ ለመም
ዚብል ለመምታን ኣብ ምድሪ ኺስስኑ፡ ምሳኻ ኣውጽኣዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ይፋረዩን ይባዝሑን። [18]
ሽዑ ኖህ፡ ደቁን ሰበይቱን ኣንስቲ ደቁን ከኣ ምስኡ ወጹ። [19] ኵሉ ኣራዊትን ኵሉ ለመምታን ኵለን
ኣዕዋፍን ኣብ ምድሪ ዚዋሳወስ ዘበለ ኹሉን ድማ በብዓሌቶም ካብ መርከብ ወጹ።

[20] ኖህ ድማ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ ካብ ንጹህ እንስሳ ዘበለን ካብ ኵለን ንጹሃት ኣዕዋፍን

ወሲዱ ኸኣ ዚሓርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ ኣዕረገ። 21 እግዚኣብሄር ድማ እዚ ጥዑም መኣዛ ኣጭነወ፡
እግዚኣብሄር ከኣ ብልቡ፡ ሕሊና ልቢ ሰብ ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ኽፉእ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ብሰሪ
ሰብ ንምድሪ መሊሰ ኣይረግማን። ድሕሪ ደጊምሲ ኽምቲ ዝገበርክዎ፡ ህያው ንዘበለ ኹሉ መሊሰ
ኣይክወቅዖን እየ። 22 ምድሪ ኽሳዕ ዘላ፡ ዘርእን ዓጺድን፡ ዛሕልን ዋዕን፡ ሓጋይን ክረምትን፡ መዓልትን
ለይትን ኣየቋርጽን እዩ፡ በለ።

## ምዕራፍ 9

1 ኣምላኽ ንኖህን ንደቁን ባረኾም፡ በሎም ድማ፡ ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ኸኣ ምልእዋ። 2 ኵሉ
ኣራዊት ምድርን ኣዕዋፍ ሰማይን ብኣኻትኩም ይፍራህን ይሰምብድን፡ ምስቲ ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል
ኵሉን ዓሳታት ባሕሪ ኹሉን ኣብ ኢድኩም ተዋህበ። 3 ዚዋሳወስ ዘበለ ኹሉ ህያው መብልዕኹም ይኹን፡
እዚ ኹሉ ኽምቲ ልሙዕ ብቈሊ ሂበኩም ኣሎኹ። 4 ግናኸ ስጋ ምስ ነፍሱ፡ እቲ ደሙ፡ ኣይትብልዕዎ። 5
እቲ ነፍስኹም ዘለዎ ደምኩምሲ ኣነ ኽደልዮ እየ። ካብ ኢድ ኵሉ ኣራዊት ክደልዮ እየ። ነፍሲ ሰብ ድማ
ካብ ኢድ ሰብ፡ ካብ ኢድ ሓዉ፡ ክደልያ እየ። 6 ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ገይርዎ እዩ እሞ፡ እቲ ደም
ሰብ ዜፍስስ፡ ደሙ ብሰብ ኪፈስስ እዩ። 7 ንሳትኩም ከኣ ፍረዩን ተባዝሑን፡ ኣብ ምድሪ ሰስኑ፡ ኣብኣ
ድማ ተባዝሑ።

8 ኣምላኽ ከኣ ንኖህ፡ ንደቁ ድማ ምስኡ ኽምዚ ኢሉ ተዛረቦም። 9-10 እንሆ፡ ኣነ ኸኣ ምሳኻትኩምን
ብድሕሬኹም ድማ ምስ ዘርእኹምን ምስቲ ምሳኻትኩም ዘሎ ኹሉ ህያው ፍጡር፡ ኣዕዋፍ፡ እንስሳ፡
ምሳኻትኩም ዘሎ ኹሉ ኣራዊት ምድሪ ድማ፡ ምስቲ ኻብ መርከብ ዝወጸ ኹሉን ምስ ኵሉ ኣራዊት
ምድርን ኪዳነይ ኤቕውም ኣሎኹ። 11 ኪዳነይ ከኣ ምሳኻትኩም ኤቕውም ኣሎኹ፡ ድሕሪ ደጊም ስጋ
ዘበለ ኹሉ ብማይ ኣይሂ ኣይጠፍእን፡ ንምድሪ ዜጥፍእ ማይ ኣይሂ ድማ መሊሱ ኣይኸውንን። 12
ኣምላኽ ከኣ በለ፡ ነቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎ እቲ ምሳኻትኩም ዘሎ ኹሉ ህያው
ነፍስን ንዘለኣለም ዝገብሮ ኺዳን፡ ምልክቱ እዚ እዩ። 13 ቀስተይ ኣብ ደበና ኤንብር ኣሎኹ፡ ንሱ ድማ
ነቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ምድርን ዘሎ ኺዳን ምልክት ኪኸውን እዩ። 14 ይኸውን ከኣ፡ ደበና ኣብ
ልዕሊ ምድሪ ምስ ዘደባኑ፡ ኣብቲ ደበና ድማ ቀስቲ ኺርኤ እዩ፡ 15 ነቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኹምን
ኣብ መንጎ እቲ ኣብ ኵሉ ስጋ ዘሎ ኹሉ ህያው ነፍስን ዘሎ ኺዳነይ እዝክር። ደጊምሲ እቲ ንኹሉ ስጋ
ዜጥፍእ ማይ ኣይሂ ኣይኪኸውንን እዩ። 16 እቲ ቐስቲ ድማ ኣብ ደበና ኪኸውን እዩ፡ ኣነ ኸኣ ነቲ ኣብ
መንጎ ኣምላኽን ኣብ መንጎ እቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ፡ ኣብ ኵሉ ስጋ ዘሎ ኹሉ ህያው ነፍስን ዘሎ ኺዳን
ዘለኣለም ምእንቲ ኽዝክር፡ ክርእዮ እየ። 17 ኣምላኽ ድማ ንኖህ፡ ነቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ እቲ ኣብ
ልዕሊ ምድሪ ዘሎ ኹሉ ስጋ ዘቘምክዎ ኺዳን ምልክቱ እዚ እዩ በሎ።

18 እቶም ካብ መርከብ ዝወጹ ደቂ ኖህ ሴምን ካምን ያፌትን እዮም። ካም ከኣ ኣቦ ኸነኣን እዩ። 19
እዚኣቶም ሰለስቲኦም ደቂ ኖህ እዮም። ካብዚኣቶም ከኣ ሰብ ኣብ ኲላ ምድሪ ተዘርዉ። 20 ኖህ ድማ
ሓረስታይ ምድሪ ኪኸውን ጀመረ፡ ወይኒ ኸኣ ተኸለ። 21 ካብ ወይኒ ሰትዩ ድማ ሰኸረ፡ ኣብ ማእከል
ድንኳኑ ኸኣ ጥራዩ ኾነ። 22 ካም፡ ኣቦ ኸነኣን ከኣ ሕፍረት ኣቦኡ ርእዩ፡ ናብ ግዳም ወጺኡ ንኽልቲኦም
ኣሕዋቱ ነገሮም። 23 ሴምን ያፌትን ድማ ክዳን ወሲዶም ኣብ መንኩቦም ገይሮም እናኣድሓርሓሩ፡
ሕፍረት ኣቦኦም ከደኑ። ገጾም ንድሕሪት ገይሮም፡ ሕፍረት ኣቦም ኣይረኣዩን። 24 ኖህ ከኣ ካብ ስኽራኑ

ናብ ልቡ ተመልሰ፡ እቲ ንእሽቶ ወዱ ዝገበሮ ድማ ፈለጠ። 25 በለ ኸኣ፡ ከነኣን ርጉም፡ ነሕዋቱ ባርያ
ባሮት ይኹን። 26 በለ ድማ፡ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ሴም፡ ይባረኽ። ከነኣን ድማ ባርያኡ ይኹን። 27
ኣምላኽ ንያፌት የስፍሖ። ኣብ ድንኳውንቲ ሴም ከኣ ይንበር። ከነኣን ድማ ባርያኡ ይኹን።

28 ኖህ ከኣ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ሰለስተ ሚእትን ሓምሳን ዓመት ገበረ። 29 ኵሉ ዕድመ ኖህ ትሽዓተ
ሚእትን ሓምሳን ዓመት ኰነ። ሞተ ድማ።

## ምዕራፍ 10

1 ወለዶ ደቂ ኖህ እዚ እዩ፡ ሴም፡ ካም፡ ያፌት። ንኣታቶም ድማ ድሕሪ ማይ ኣይሂ ደቂ ተወልዱሎም። 2
ደቂ ያፌት፡ ጎሜርን ማጎግን ማዳይን ያዋንን ቱባልን ሜሴክን ቲራስን። 3 ደቂ ጎሜር ከኣ፡ ኣሽከናዝን
ሪፋትን ቶጋርማን። 4 ደቂ ያዋን ድማ፡ ኤሊሻን ተርሺሽን ኪቲምን ዶዳኒምን። 5 ካብዚኣቶም ደሴታት
ህዝብታት ብብምድሮም፡ ነፍስ ወከፍ ከም ቋንቋኡ፡ ከከም ዓሌታቶም፡ ብብህዝቦም ተፈላለዩ።

6 ደቂ ካም ከኣ፥ ኩሽን ሚስራይምን ፉጥን ከነኣንን። 7 ደቂ ኩሽ ድማ፥ ሴባን ሓዊላን ሳብታን ራዕማን
ሳብተካን። ደቂ ራዕማ ኸኣ፡ ሸባን ዴዳንን። 8 ኩሽ ድማ ንኒምሮድ ወለደ። ንሱ ኣብ ምድሪ ጅግና ምዃን
ጀመረ። 9 ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጅግና ሃዳኒ ነበረ። ስለዚ ከም ኒምሮድ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ጅግና ሃዳኒ ተባህለ። 10 መጀመርታ መንግስቲ ድማ ባቤል ኤረክን ኣካድን ካልነን ኣብ ሃገር
ሲንኣር ነበረ። 11 ካብታ ሃገር እቲኣ ናብ ኣሶር ወጸ፡ ንነነዌን ንሬሖቦትዒርን ከላህን ሰርሔን። 12 ኣብ መንጎ
ነነዌን ካላህን ከኣ ንሬስን ሰርሔ፡ ንሳ እታ ዓባይ ከተማ እያ። 13-14 ሚስራይም ድማ ንሉዲምን
ንዓናሚምን ንለሃቢምን ንናፍቱሂምን ንጳትሩሲምን ንካፍቶራውያንን ንካስሉሂምን ወለደ፡ ካብኦም
ፍልስጥኤማውያን ወጹ።

15 ከነኣን ድማ ንሲዶን፡ በዅሪ ወዱን፡ ንሄትን፡ 16 ንይቡሳውያንን ንኣሞራውያንን ንጊርጋሳውያንን፡ 17
ንሂዋውያንን ንዓርቂውያንን ንሲኒውያንን፡ 18 ንኣርዋደውያንን ንጽማራውያንን ንሓማታውያንን ወለደ።
ድሕርዚ ዓሌታት ከነኣን ተዘርወ። 19 ዶብ ከነኣናውያን ድማ ካብ ሶዶን በታ ንጌራር እትኣትወላ ኣቢልካ
ኽሳዕ ጋዛ፡ በታ ንሶዶምን ንጎሞራን ንኣድማን ንሴቦኢም እትኣትወላ ኣቢልካ ኸኣ ክሳዕ ላሻዕ ነበረ። 20
እዚኣቶም፡ በብዓሌቶም፡ በብቛንቋኦም፡ ኣብ ሃሃገሮም፡ ኣብ ሄህዝቦም፡ ደቂ ካም እዮም።

21 ንሴም ድማ እቲ ኣቦ ኾሎም ደቂ ዔበር፡ ዓብዪ ሓው ንያፌት፡ ደቂ ተወልዱሉ። 22 ደቂ ሴም፡
ዔላምን ኣሹርን ኣርፋክሳድን ሉድን ኣራምን። 23 ደቂ ኣራም ከኣ፡ ዑጽን ሑልን ጌተርን ማሽን። 24
ኣርፋክሳድ ድማ ንሸላሕ ወለደ። ሸላሕ ከኣ ንዔበር ወለደ። 25 ንዔበር ድማ ክልተ ወዲ ተወልዱሉ። እቲ
ሓደ፡ ብዘበኑ ምድሪ ስለ እተኸፋፈለት፡ ስሙ ፌሌግ ተባህለ። ስም ሓዉ ድማ ዮቅጣን። 26 ዮቅጣን
ድማ ንኣልሞዳድን ንሼለፍን ንሓጻርማዌትን ንየራሕን፡ 27 ንሃደራምን ንኡዛልን ንዲቅላን፡ 28 ንዖባል
ንኣቢማኤልን ንሼባን፡ 29 ንኦፊርን ንሓዊላን ንዮባብን ወለደ። እዚኣቶም ኵሎም ደቂ ዮቅጣን እዮም። 30
ምቅማጦም ድማ ካብ ሜሻ በታ ንሴፋር እትኣትወላ፡ እቲ ብሸነኽ ምብራቕ ዘሎ ኸረን ነበረ። 31
እዚኣቶም፡ በብዓሌቶም፡ በብቛንቋኦም፡ ኣብ ሃሃገሮም፡ በብህዝቦም፡ ደቂ ሴም እዮም። 32 እዚኣቶም
በብወለዶኦም፡ ኣብ ሄህዝቦም፡ ዓሌታት ደቂ ኖህ እዮም። ካብዚኣቶም ድማ ድሕሪ ማይ ኣይሂ
ህዝብታት ኣብ ምድሪ ተዘርዉ።

# ምዕራፍ 11

1 ምድሪ ብዘላ ብሓደ ቛንቋን ብሓደ ንግግርን ነበረት። 2 ኰነ ድማ፡ ንምብራቕ ኣቢሎም ምስ ተጓዕዙ፡
ኣብ ምድሪ ሲነኣር ጐልጐል ረኸቡ፡ ኣብኡ ድማ ተቐመጡ። 3 ንሓድሕዶም ድማ፤ ክላ ግዳ፡ ጡብ
ንስራሕ እሞ ብሓዊ ንድፈኖ፡ ተባሃሀሉ፡ እሞ ጡብ ኣብ ክንዲ እምኒ፡ ጸብሪ ኸኣ ኣብ ክንዲ ኖራ
ኰነሎም። 4 ሽዑ ድማ፡ ክላ ግዳ፡ ኣብ ልዕሊ ገጽ ኵላ ምድሪ ምእንቲ ፋሕ ከይንብልሲ፡ ከተማን ርእሱ
ሰማይ ዝጥንቀኵር ግምብን ንስራሕ፡ ስምና ኸኣ ነጸውዕ፡ በሉ። 5 እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ደቂ ሰብ ዝሰርሕዎ
ዝነበሩ ኸተማን ግምብን ኪርኢ ወረደ። 6 እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ኵላቶም ሓደ ዝዘረባኦም ሓደ
ህዝቢ እዮም። መጀመርታ ግብሮም ከኣ እዚ እዩ። ሕጂ ድማ ኪገብርዎ ኢሎም ዚህቅንዎ ዘበለ
ዚኽልክሎም የልቦን። 7 እምበኣር ማንም ንዘረባ ብጻዩ ምእንቲ ኸይሰምዕሲ፡ ንዑ ንውረድ፡ ኣብኡ ኸኣ
ዘረባኦም ንደባልቕ፡ በለ። 8 እግዚኣብሄር ድማ ካብኡ ናብ ልዕሊ ገጽ ኵላ ምድሪ ፋሕ ኣበሎም፡ ምስራሕ
እታ ኸተማ ኸኣ ገደፉ። 9 እግዚኣብሄር ኣብኣ ቛንቋ ዅላ ምድሪ ፋሕፋሕ ስለ ዘበለ፡ ስም እታ ኸተማ
ባቤል ተባህለ፡ ካብኣ ኸኣ እግዚኣብሄር ናብ ልዕሊ ገጽ ኵላ ምድሪ በተኖም።

10 ወለዶ ሴም እዚ እዩ፡ ሴም ወዲ ሚእቲ ዓመት ኰነ፡ ክልተ ዓመት ድሕሪ ማይ ኣይሂ ኸኣ
ንኣርፋክሳድ ወለደ። 11 ሴም ድማ ድሕርቲ ንኣርፋክሳድ ምስ ወለደ፡ ሓሙሽተ ሚእቲ ዓመት ገበረ፡
ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 12 ኣርፋክሳድ ድማ ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ገበረ፡ ንሻላሕ ከኣ ወለደ።
13 ኣርፋክሳድውን ንሸላሕ ምስ ወለደ፡ ድሕሪኡ ኣርባዕተ ሚእትን ሰለስተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን
ኣዋልድን ድማ ወለደ። 14 ሸላሕ ከኣ ሰላሳ ዓመት ገበረ፡ ንዔበር ወለደ። 15 ሸላሕ ንዔበር ምስ ወለደ
ድማ፡ ድሕሪኡ፡ ኣርባዕተ ሚእትን ሰለስተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 16 ዔበር ድማ
ሰላሳን ኣርባዕተን ዓመት ገበረ፡ ንፈለግ ከኣ ወለደ። 17 ዔበር ንፈሌግ ምስ ወለደ ኸኣ፡ ድሕሪኡ ኣርባዕተ
ሚእትን ሰላሳን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ድማ ወለደ። 18 ፈሌግ ከኣ ሰላሳ ዓመት ገበረ፡ ንረጉ
ወለደ። 19 ፈሌግ ንረጉ ምስ ወለደ ድማ፡ ድሕሪኡ ክልተ ሚእትን ትሽዓተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን
ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 20 ረጉ ድማ ሰላሳን ክልተን ዓመት ገበረ፡ ንሴሩግ ከኣ ወለደ። 21 ረጉ ንሴሩግ ምስ
ወለደ ድማ፡ ድሕሪኡ ክልተ ሚእትን ሾብዓተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 22 ሴሩግ
ድማ ሰላሳ ዓመት ገበረ፡ ንናሆር ከኣ ወለደ። 23 ሴሩግ ንናሆር ምስ ወለደ ኸኣ፡ ድሕሪኡ ክልተ ምእቲ
ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 24 ናሆር ድማ ዕስራን ትሽዓተን ዓመት ገበረ፡ ንታራ ኸኣ
ወለደ። 25 ናሆር ንታራ ምስ ወለደ ድማ፡ ድሕሪኡ ሚእትን ዓሰርተው ትሽዓተን ዓመት ገበረ፡ ኣወዳትን
ኣዋልድን ከኣ ወለደ። 26 ታራ ድማ ሰብዓ ዓመት ገበረ፡ ንኣብራምን ንናሆርን ንሃራን ወለደ።

27 ወለዶ ታራ ኸኣ እዚ እዩ፤ ታራ ንኣብራምን ንናሆርን ንሃራንን ወለደ። ሃራን ድማ ንሎጥ ወለደ። 28
ሃራን ከኣ ኣብ ኡር ናይ ከለዳውያን ኣብታ እተወልደላ ምድሪ ኣብ ቅድሚ ኣቦኡ ታራ ሞተ። 29
ኣብራምን ናሆርን ድማ ኣንስቲ ኣእተዉ። ስም ሰበይቲ ኣብራም ሳራይ እዩ፡ ስም ሰበይቲ ናሆር ድማ
ሚልካ፡ ጓል ሃራን፡ ኣቦ ሚልካን ኣቦ ዩስካን እዩ። 30 ሳራይ ከኣ መኻን ነበረት እሞ ውሉድ ኣይነበራን።
31 ታራ ድማ ንኣብራም ወዱን፡ ንሎጥ ወዲ ሃራን ወዲ ወዱን፡ ንሳራይ ከኣ ሰበይቲ ወዱ፡ ሰበይቲ
ኣብራም ወዱ ወሰደ፡ ካብ ኡር ናይ ከለዳውያን ናብ ምድሪ ከነኣን ኪኸዱ ብሓደ ወጹ። ናብ ካራን ድማ
መጹ፡ ኣብኣ ኸኣ ተቐመጡ። 32 ዕድመ ታራ ድማ ክልተ ሚእትን ሓሙሽተን ዓመት ኰነ። ታራ ኸኣ ኣብ
ካራን ሞተ።

# ምዕራፍ 12

1 እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም በሎ፤ ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን ካብ እንዳ ኣቦኻን ኣነ ናብ
ዘርእየካ ምድሪ ኣቢልካ ውጻእ። 2 ንዓብዩ ህዝቢ ኽገብረካን ክባርኸካን ከኣ እየ፡ ንስምካውን ከዕብዮ
እየ፡ ንበረኸት ድማ ክትከውን ኢኻ። 3 ንዚባርኹኻ ክባርኾም፡ ንዚረግመካ ድማ ክረግሞ እየ። ዓሌታት
ኵላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኪባረኹ እዮም። 4 ኣብራም ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኸደ፡ ሎጥ ድማ
ምስኡ ኸደ። ኣብራም ካብ ካራን ኪወጽእ ከሎ ኸኣ ወዲ ሰብዓን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ። 5 ኣብራም
ድማ ንሳራይ ሰበይቱን ንሎጥ ወዲ ሓዉን፡ ነቲ ዘጥረይዎ ኹሉ ጥሪቶምን ነቶም ኣብ ካራን ዘጥረይዎም
ነፍሳትን ወሲዱ፡ ንምድሪ ኸነኣን ኪኸዱ ወጹ፡ ናብ ምድሪ ኸነኣን ከኣ መጹ።

6 ኣብራም ድማ በታ ምድሪ ኽሳዕ ቦታ ሴኬም ክሳዕ ድዋታት ሞሬ ሓለፈ። በቲ ዘበንቲ ድማ
ከነኣናውያን ኣብታ ምድሪ እቲኣ ነበሩ። 7 እግዚኣብሄር ድማ ንኣብራም ተራእዮ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ
ንዘርእኻ ክህቦ እየ፡ ከኣ በሎ። ኣብኡውን ነቲ እተራእዮ እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሓሉ። 8 ካብኡ ናብቲ
ኣብ ምብራቕ ቤትኤል ዘሎ ኸረን ተጓዒዙ ድማ፡ ኣብኡ ድንኳኑ ተኸለ፡ እሞ ቤትኤል ብሸነኽ ምዕራቡ፡
ዓይ ከኣ ብምብራቑ ኹና። ኣብኡ ኸኣ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ ብስም እግዚኣብሄር ተማህለለ።
9 ኣብራም ድማ ተላዒሉ እናገዐዘ ናብ ደቡብ ኣቢሉ ኸደ።

10 ኣብታ ሃገር ከኣ ጥሜት ኰነ። ኣብታ ሃገር ጥሜት ስለ ዝበርትዔ ድማ፡ ኣብራም ብስደት፡ ኣብኣ
ኪቕመጥ፡ ናብ ግብጺ ወረደ። 11 ኰነ ኸኣ፡ ናብ ግብጺ ኺኣቱ ምስ ቀረበ፡ ንሰበይቱ ሳራይ፡ እንሆ፡
መልክዔኛ ሰበይቲ ምዃንኪ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ፡ 12 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ግብጻውያን ምስ ዚርእዩኺ፡
ሰበይቱ እያ ኺብሉ እዮም፡ ንኣይ ቀቲሎም ንኣኺ ብህይወት ይሓድጉኺ። 13 እምበኣር በጃኺ፡ ብሳላኺ
ምእንቲ ንኣይ ኪጥዕም፡ ነፍሰይ ድማ ብኣኺ ክትድሕንሲ፡ ሓብቱ እየ ደኣ በሊ፡ በላ።

14 ኰነ ኸኣ፡ ኣብራም ኣብ ግብጺ ምስ ኣተወ፡ ግብጻውያን እታ ሰበይቲ ብዙሕ መልክዔኛ ምዃና ረኣዩ።
15 እቶም ሹማምቲ ፈርኦን ድማ ረኣይዋ፡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ከኣ ነኣድዋ። ነታ ሰበይቲ ውን ናብ ቤት
ፈርኦን ወሰድዋ። 16 ንኣብራም ድማ ምእንትኣ ጽቡቕ ገበረሉ፡ ኣባጊዕን ኣብዑርን ኣውዳልን ገላዉን
ኣግራድን ኣንስትዮ ኣእዱግን ኣግማልን ነበርዎ። 17 እግዚኣብሄር ግና ብምኽንያት ሳራይ ሰበይቲ
ኣብራም፡ ንፈርኦንን ንቤቱን ብርቱዕ ቅጽዓት ቀጽዖ። 18 ፈርኦን ድማ ንኣብራም ናብኡ ጸዊዑ፥ እንታይ
እዩ እዚ ዝገበርካኒ፧ ስለምንታይከ ኢኻ ሰበይትኻ ምዃና ዘየፍለጥካኒ፧ 19 ስለምንታይሲ ሓብተይ እያ፡
በልካ፧ ሰበይተይ ክትከውን ምወሰድክዋ ነይረ። ሕጂ ኸኣ እንሃትልካ፡ ሰበይትኻ ሒዝካ ኺድ፡ በሎ። 20
ፈርኦን ድማ ብዛዕባኡ ንሰቡ፡ ንእኡን ንሰበይቱን ንዘለዎ ኹሉን ኬሰንይዎም፡ ኣዘዘ።

# ምዕራፍ 13

1 ኣብራም ከኣ፡ ንሱን ሰበይቱን ምስ ዘለዎ ኹሉን፡ ሎጥ ድማ ምስኡ፡ ካብ ግብጺ ናብ ደቡብ ኣቢሉ
ደየበ። 2 ኣብራም ከኣ ብኸብትን ብብሩርን ብወርቅን ብዙሕ ሀብቲሙ ነበረ። 3-4 ካብ ደቡብ እናተጓዕዘ
ድማ ክሳዕ ቤትኤል፡ ናብታ ቕድም ኣብ መንጎ ቤትኤልን ዓይን ድንኳኑ ተኺሉላ ዝነበረ ቦታ፡ ናብታ
ቕድም መሰውኢ ገይሩላ ዝነበረ ቦታ ኸደ። ኣብኣ ድማ ኣብራም ብስም እግዚኣብሄር ተማህለለ።

[5] እቲ ምስ ኣብራም ዝኸደ ሎጥ ድማ ኣባጊዕን ኣብዑርን ድንኳውንትን ነበሮ። [6] እታ ምድሪ ኸኣ ብሓደ
ኺነብሩ ኽትጸሮም ኣይከኣለትን። ጥሪቶም ብዙሕ ነበረ እሞ፡ ብሓደ ኺነብሩ ኣይከኣሉን። [7] ኣብ መንጎ
ጓሶት ከብቲ ኣብራምን ጓሶት ከብቲ ሎጥን ከኣ ባእሲ ኾነ። በቲ ዘበን እቲ ድማ ከነኣናውያንን
ፈረዛውያንን ኣብታ ምድሪ ይቕመጡ ነበሩ። [8] ኣብራም ከኣ ንሎጥ፡ ንሕና ኣሕዋት ኢና እሞ፡ በጃኻ፡ ኣብ
መንጎይን ኣብ መንጎኻን፡ ኣብ መንጎ ጓሶተይን ጓሶትካን ከኣ ባእሲ ኣይኹን። [9] ኵላ እዛ ምድሪዶ ኣብ
ቅድሜኻ ኣየላን፧ ሕድርኻ፡ ካባይ ተፈለ። ናብ ጸጋም እንተ ኣበልካ፡ ኣነ ድማ ናብ የማን ኤብል፡ ናብ
የማን እንተ ኣበልካ ኸኣ፡ ኣነ ድማ ናብ ጸጋም ኤብል፡ በሎ። [10] ሎጥ ከኣ ዓይኑ ቋሕ ኣቢሉ፡ ብዘሎ እቲ
ጐልጐል ዮርዳኖስ ኵሉ ማይ መሊእዎ ኸም ዘሎ ረኣየ። እግዚኣብሄር ንሶዶምን ጎሞራን ከየጥፍኤን
ከሎ፡ እቲ ንዞዓር እትኣትወሉ ኸም ገነት እግዚኣብሄር፡ ከም ምድሪ ግብጺ ነበረ። [11] ሽዑ ሎጥ ንኹሉ
ጐልጐል ዮርዳኖስ ሓረየ። ሎጥ ከኣ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ተጓዕዘ እሞ ንሓድሕዶም ተፋላለዩ። [12]
ኣብራም ኣብ ምድሪ ኸነኣን ተቐመጠ። ሎጥ ድማ ኣብተን ኣብቲ ጐልጐል ዘለዋ ኸተማታት ተቐመጠ፡
ድንኳኑ ኸኣ ኽሳዕ ሶዶም ተኸለ። [13] ሰብ ሶዶም ግና ሕሱማት፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ኣዝዮም
ሓጥኣን ነበሩ።

[14] ሎጥ ካብኡ ምስ ተፈልየ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንኣብራም፡ ዓይንኻ ቋሕ ኣብል እሞ ካብዛ ዘሎኻያ ቦታ
ንሰሜንን ንደቡብን ንምብራቕን ንምዕራብን ኣቢልካ ጠምት። [15] እዛ ንስኻ እትርእያ ዘሎኻ ኵላ ምድሪ
ንኣኻን ንዘርእኻን ንዘለኣለም ክህበካ እየ። [16] ንዘርእኻ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ ኽገብሮ እየ። ሰብ
ሓመድ ምድሪ ኪቝጽር ዚኽእል እንተ ኾይኑ፡ ዘርእኻ ከኣ ይቝጸር። [17] ንኣኻ ክህበካ እየ እሞ፡ ተንስእ፡
ነዛ ምድሪ ብምንዋሓን ብምግፋሓን ኪድ፡ በሎ። [18] ኣብራም ድማ ድንኳኑ ኣልዐለ፡ ናብቲ ኣብ ኬብሮን
ዘሎ ድዋታት መምሬ መጺኡ ኸኣ ተቐመጠ፡ ኣብኡ ድማ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ።

## ምዕራፍ 14

[1] ኰነ ድማ ብዘበን ኣምራፌል ንጉስ ሲነኣር፡ ኣርዮክ ንጉስ ኤላሳር፡ ክዳርላኦመር ንጉስ ዔላም፡ ቲደዓል
ድማ ንጉስ ጎይም፡ [2] ንሳቶም ምስ ቤራዕ ንጉስ ሶዶምን ምስ ቢርሻዕ ንጉስ ጎሞራን፡ ሺንኣብ ንጉስ
ኣድማን፡ ሼምኤበር ንጉስ ጸቦኢምን ንጉስ ቤላዕን፡ ንሳ ኸኣ ዞዓር፡ ውግእ ኣልዓሉ። [3] እዚኣቶም ኵሎም
ሓቢሮም ናብ ለሰ ሲዲም፡ ንሱ ኸኣ ባሕሪ ጨው፡ ተኣከቡ። [4] ንክዳርላኦመር ዓሰርተው ክልተ ዓመት
ተገዚኦምሉ ነበሩ። ኣብ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ከኣ ዐለዉ። [5] ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ
ዓመት ድማ ክዳርላኦመርን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ነገስታትን መጹ። ንራፋውያን ከኣ ኣብ
ዓስጣሮትቀርናይም፡ ንዙዛውያን ድማ ኣብ ሃም፡ ንኤማውያን ከኣ ኣብ ጐልጐል ቂርያታይም፡ [6]
ንሆራውያን ድማ ኣብ ሰዒር፡ ኣብ ከረኖም ክሳዕ እታ ኣብ ጥቓ በረኻ ዘላ ኤልጳራን ወቕዕዎም። [7]
ተመሊሶም ድማ ናብ ዔንምሽጳጥ፡ ንሳውን ቃዴስ፡ መጹ። ንኹላ ምድሪ ኣማሌቃውያን ከኣ ነቶም ኣብ
ሓጻ ጾንታማር ዝነበሩ ኣሞራውያን ድማ ወቕዕዎም። [8-9] ሽዑ ንጉስ ሶዶምን ንጉስ ጎሞራን ንጉስ ኣድማን
ንጉስ ጸቦይምን ንጉስ ቤላዕን፡ ንሳ ዞዓር፡ ወጺኦም ምስ እቲኣቶም፡ ምስ ክዳርላኦመርን ንጉስ ዔላምን፡
ቲደዓል ንጉስ ጎይምን፡ ኣምራፌል ንጉስ ሲነኣርን ኣርዮክ ንጉስ ኤላሳርን፡ ኣርባዕተ ነገስታት ምስቶም
ሓሙሽተ ኺዋግኡ ኣብ ለሰ ሲዲም ተሰለፉ። [10] እቲ ለሰ ሲዲም ድማ ጐዳጉዲ ቕጥራን መሊኡ ነበረ።
ነገስታት ሶዶምን ጎሞራን ከኣ ሃዲሞም ኣብኡ ወደቑ። እቶም ዝተረፉ ድማ ናብ ከረን ሀደሙ። [11]

እቲኣቶም ከኣ ናይ ሶዶምን ጎሞራን ኵሉ ገንዘብን ኵሉ ዚብላዕን ወሰዱ እሞ ኸዱ። 12 ሎጥ፡ ወዲ ሓዉ ንኣብራም ድማ፡ ንሱ ኣብ ሶዶም ይነብር ነበረ እሞ፡ ምስናይ ገንዘቡ ሒዞምዎ ኸዱ።

13 ሓደ ዘምለጠ ኸኣ ናብ ኣብራም፡ እቲ እብራዊ፡ መጺኡ እዚ ነገሮ። ንሱ ድማ ኣብ ድዋታት መምሬ፡ እቲ ኣሞራዊ፡ ሓው ኤሽኮልን ሓው ዓኔርን፡ ይቕመጥ ነበረ። ንሳቶም ከኣ ምስ ኣብራም ኪዳን ተኣታትዮም ነበሩ። 14 ኣብራም ድማ ሓዉ ኸም እተማረኸ ምስ ሰምዔ፡ ሰለስተ ሚእትን ዓሰርተው ሾሞንተን ኣብ ቤቱ እተወልዱ ፍቱናት ሰብ ኣዕጢቑ ክሳዕ ዳን ደድሒሪኦም ሰዐበ። 15 ንሱን ግዙኣቱን ተመቒሎም ከኣ፡ ብለይቲ ወቒዕዎም፡ ክሳዕ ሆባ፡ ጸጋም ደማስቆ ድማ ሰጐጕዎም። 16 ኵሉ ገንዘብ ከኣ ኣምለሰ። ንሎጥ ሓዉን ገንዘቡን ከምኡ ኸኣ ነተን ኣንስትን ነቲ ህዝብን ኣምለሰ።

17 ንከዳርላኦመርን ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ነገስታትን ስዒሩ ኺምለስ ከሎ፡ ንጉስ ሶዶም ኪቕበሎ ናብ ለሰ ሻዌ፡ ንሱ ኸኣ ለሰ ንጉስ፡ ወጸ። 18 መልከጼዴቅ፡ ንጉስ ሳሌም ድማ፡ ንሱ ኸኣ ካህን ልዑል ኣምላኽ፡ እንጌራን ወይንን ኣምጽኤ። 19 ንሱ ድማ፡ ኣብራም በቲ ልዑል ኣምላኽ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ ብሩኽ ይኹን፡ 20 እቲ ንጸላእትኻ ኣብ ኢድካ ኣሕሊፉ ዝሀበካ ልዑል ኣምላኽ ከኣ ብሩኽ ይኹን፡ ኢሉ ባረኾ። ኣብራም ድማ ካብ ኵሉ ዕሽር ሀቦ። 21 ንጉስ ሶዶም ከኣ ንኣብራም፡ እቶም ሰባት ሀበኒ፡ እቲ ገንዘብ ድማ ንኣኻ ውሰዶ፡ በሎ። 22 ኣብራም ግና ንንጉስ ሶዶም፡ ኢደይ ናብ እግዚኣብሄር፡ ልዑል ኣምላኽ፡ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ ኣልዐልኩ፡ 23-24 ንኣብራም ኣነ ኣሀብተምክዎ ኽይትብልሲ፡ ብጀካቲ እቶም ኣጕባዝ ዝበልዕዎ፡ ፈትሊ ዀነ፡ ስራኽ ሳእኒ ዀነ፡ ካብ ናትካ ዘበለ ገለኳ ኣይወስድን፡ ግደ እቶም ምሳይ ዝኸዱ ሰባት ድማ፡ ኣኔርን ኤሽኮልን መምሬን፡ ንሳቶም ግዲኦም ይውሰዱ፡ በሎ።

## ምዕራፍ 15

1 ድሕርዚ ነገርዚ ቓል እግዚኣብሄር ብራእይ ከምዚ ኢሉ ናብ ኣብራም መጸ፡ ኣብራም፡ ኣይትፍራህ፡ ዋልታኻ ኣነ እየ፡ ዓስብኻ ኣዝዩ ኺበዝሕ እዩ። 2 ኣብራም ከኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ኣነ ውሉድ ዜብለይ እኸይድ ኣሎኹ፡ ወራስ ቤተይ ዚኸውን ድማ ንሱ ኣልኣዛር፡ በዓል ደማስቆ፡ እዩ፡ እንታይሞ ኽትህበኒ ኢኻ፧በለ። 3 ኣብራም ከኣ፡ ገለ ዘርኢ ኣይሀብካንን፡ እንሆ ድማ ሓደ ኣብ ቤተይ እተወልደ ኺወርሰኒ እዩ፡ በለ። 4 እንሆ ኸኣ ቃል እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ናብኡ መጸ፡ ኣይፋሉን፡ ካብ ከስዔኻ ዝወጸ እዩ ዚወርሰካ እምበር፡ እዝስ ኣይወርሰካን እዩ። 5 ንግዳም ኣውጺኡ ድማ፡ ንሰማይ ጠምት፡ ምቍጻሮም እትኽእል እንተ ዄንካ፡ ከዋኽብቲ ቍጸር፡ በሎ። ዘርእኻውን ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ በሎ። 6 ብእግዚኣብሄር ከኣ ኣመነ፡ ንሱ ድማ ንጽድቂ ቈጸረሉ። 7 ድማ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ ንርስቲ ኽህበካ ኢለ ኻብ ኡር ከለዳውያን ዘውጻእኩኻ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ በሎ። 8 ንሱ ኸኣ፡ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ኣነ ነዚኣ ኸም ዝርስተያ ብምንታይ ክፈልጥ እየ፧ በሎ። 9 ንሱ ድማ፡ ሰለስተ ዓመት ዝገበረት ኣርሕን ሰለስተ ዓመት ዝገበረት ጤልን ሰለስተ ዓመት ዝገበረ ድዑልን ምስ እዚ ኸኣ ባሬቶን ርግብን ኣምጽኣለይ፡ በሎ። 10 ነዚ ዅሉ ኣምጺኡ ድማ ኣብ ፈፍርቂ ቈረጾ፡ ነቲ ፈፍርቂ ኸኣ ንሓድሕዱ ኣመናጺሩ ኣቐመጦ፡ ነተን ኣዕዋፍ ግና ኣይቈረጸንን። 11 ናብቲ ስጋ ድማ ኣሞራታት ወረዱ፡ ኣብራም ግና ይሰጎም ነበረ። 12 ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ድማ ንኣብራም ከቢድ ድቃስ ወደቖ። እንሆ ኸኣ ናይ ብርቱዕ ጸልማት ስምባድ ወደቖ። 13 ንኣብራም ድማ በሎ፡ ንዘርእኻ ኣብ ዘይምድሮም ስደተኛታት ኰይኖም ከም ዝገዝእዎም፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመት ድማ ከም ዜጨንቕዎም፡ ኣርጊጽካ ፍለጥ። 14 ነቲ ዚግዝእዎ ህዝቢ

ድማ ኣነ ክፈርዶ እየ። ድሕርቲ ንሳቶም ብዙሕ ገንዘብ ሒዞም ኪወጹ እዮም። 15 ንስኻ ግና ብሰላም ናብ
ኣቦታትካ ኽትከይድ ኢኻ፡ ብጽቡቕ እርጋን ድማ ክትቅበር ኢኻ። 16 ዓመጽ ኣሞራውያን ገና ኽሳዕ ሕጂ
ኣይመልኤን እሞ፡ ኣብ ራብዓይ ወለዶ ናብዚ ኺምለሱ እዮም። 17 ኰነ ድማ፡ ጸሓይ ምስ ዐረበት፡ ግብ
ዝበለ ጸልማት ከኣ ምስ ኰነ፡ እንሆ ድማ ዚተከኸ እቶንን ሃልሃልታ ሓውን ብመንጎ እቲ ቘረርጽ ሐለፈ።
18 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ እግዚኣብሄር ምስ ኣብራም ከምዚ ኢሉ ኺዳን ኣተወ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ ኻብ
ርባ ግብጺ ኽሳዕ እቲ ዓብዩ ርባ፡ እቲ ርባ ኤፍራጥስ፡ 19 ምድሪ ቄኔውያንን ቄኔዛውያንን
ቃድሞናውያንን፡ 20 ሂታውያንን ፈረዛውያንን ሬፋውያንን፡ 21 ኣሞራውያንን፡ ከነኣናውያንን ጊርጋሳውያንን
ይቡሳውያንን ንዘርእኻ ክህቦ እየ።

# ምዕራፍ 16

1 ሳራይ፡ ሰበይቲ ኣብራም ከኣ ውሉድ ኣይወለደትሉን ነበረት። ኣጋር እትብሀል ግብጻዊት ግዝእቲ ድማ
ነበረታ። 2 ሳራይ ከኣ ንኣብራም፡ እንሆ፡ ኣነ ኸይወልድ እግዚኣብሄር ዓጽዩኒ እዩ፡ ምናልባሽ ብእኣ እንተ
ተፋረኹ፡ በጃኻ ናብዛ ግዝእተይ እቶ፡ በለቶ። ኣብራም ድማ ንቓል ሳራይ ሰምዔ። 3 ኣብራም ኣብ
ምድሪ ኸነኣን ዓሰርተ ዓመት ምስ ገበረ፡ ሳራይ፡ ሰበይቲ ኣብራም፡ ነታ ግብጻዊት ግዝእታ ኣጋር ወሲዳ
ንኣብራም ሰብኣያ፡ ሰበይቱ ኽትከውን ሀበቶ።

4 ንሱ ድማ ናብ ኣጋር ኣተወ፡ ንሳ ኸኣ ጠነሰት። ከም ዝጠነሰት ምስ ረኣየት፡ ንእመቤታ ኣቃለለታ። 5
ሳራይ ድማ ንኣብራም፡ እዚ ዝዕገቦ ዘለኹ ናብ ልዕሌኻ ይውረድ። ኣነ ግዝእተይ ኣብ ሕቝፍኻ
ሀብኩኻ፡ ከም ዝጠነሰት ምስ ረኣየት ከኣ ኣቃለለትኒ። እግዚኣብሄር ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን
ይፍረድ፡ በለቶ። 6 ኣብራም ድማ ንሳራይ፡ እንሃ፡ ግዝእትኺ ኣብ ኢድኪ እያ፡ ጽቡቕ ኰይኑ ኸም
እትራእየኪ ግበርያ፡ በላ። ሽዑ ሳራይ ኣዋረደታ፡ ንሳ ኸኣ ካብ ቅድሚኣ ሀደመት።

7 መልኣኽ እግዚኣብሄር ግና ኣብ ጥቓ ዓይኒ ማይ ኣብ በረኻ፡ ኣብ ጥቓ መገዲ ሹር ኣብ ዘሎ ዓይኒ
ረኸባ። 8 ንሱ ድማ፡ ኣቲ ኣጋር፡ ግዝእቲ ሳራይ፡ ካበይ መጺእኪ፡ ናበይሲ ትኸዲ ኣሎኺ፧ በላ። ንሳ ኸኣ፧
ኣነ ኻብ ቅድሚ እመቤተይ ሳራይ እሀድም ኣሎኹ፡ በለት። 9 እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ፡ ናብ
እመቤትኪ ተመለሲ፡ ኣብ ትሕቲ ኢዳ ድማ ትሕት በሊ፡ በላ። 10 እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ፡
ንዘርእኺ ካብ ምብዛሑ እተላዕለ ኪቝጸር ክሳዕ ዘይክኣል፡ ኣዝየ ኸብዝሖ እየ፡ በላ። 11 እቲ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ጥንስቲ ኢኺ ወዲ ኸኣ ክትወልዲ ኢኺ፡ እግዚኣብሄር መከራኺ ሰሚዑ እዩ
እሞ፡ ስሙ እስማኤል ኣውጽእሉ። 12 ንሱ ኣብ መንጎ ሰብ ከም ኣድጊ በረኻ ኪኸውን እዩ፡ ኢዱ ናብ
ልዕሊ ዅሉ፡ ኢድ ኵሉ ድማ ናብ ልዕሊኡ ኽትከውን እያ፡ ኣብ ቅድሚ ዅሎም ኣሕዋቱ ኸኣ ኪነብር
እዩ፡ በለ። 13 ንሳ ድማ፡ ነቲ ዚርእየንስ ኣብዚዶ ርእየዮ እየ፧ ኢላ፡ ስም እቲ ንእኣ እተዛረበ እግዚኣብሄር፡
ኣታ ዚርኢ ኣምላኽ፡ ኢላ ኣውጽኣትሉ። 14 ስለዚ እቲ ዔላ ብኤርለሓይሮይ ተባህለ። ንሱ እንሆ፡ ኣብ
መንጎ ቃዴስን ባሬድን ኣሎ።

15 ኣጋር ከኣ ንኣብራም ወዲ ወለደትሉ። ኣብራም ድማ ነቲ ኣጋር ዝወለደትሉ ወዲ ስሙ እስማኤል
ኣውጽኣሉ። 16 በቲ ኣጋር ንኣብራም እስማኤል ዝወለደትሉ ጊዜ ድማ ኣብራም ወዲ ሰማንያን ሹድሽተን
ዓመት ኰይኑ ነበረ።

# ምዕራፍ 17

1 ኣብራም ወዲ ተስዓን ትሽዓተን ዓመት ምስ ኰነ፡ እግዚኣብሄር ተራእዮ፡ ኣነ እቲ ኲሉ ዚኽእል
ኣምላኽ እየ፡ ኣብ ቅድመይ ተማላለስ፡ ፍጹም ከኣ ኹን። 2 ኪዳነይ ኣብ መንጎይን መንጎኻን ከቕውም
እየ፡ ኣዝየውን ከብዝሓካ እየ፡ ድማ በሎ። 3 ኣብራም ከኣ ብገጹ ተደፍኤ፡ ኣምላኽ ድማ ከምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፥ 4 እንሆ፡ ኣነስ ኪዳነይ ምሳኻ እዩ፡ ንስኻ ኣቦ ብዙሓት ህዝብታት ክትከውን ኢኻ። 5 ኣቦ
ብዙሓት ህዝብታት ገይረካ እየ እሞ፡ ኣብርሃም ደኣ እምበር፡ ደጊም ስምካ ኣብራም ኣይጸዋዕ። 6 ኣዝየ
ኽፍርየካ እየ፡ ህዝብታት ከም እትኸውን ድማ ክገብረካ እየ፡ ነገስታትውን ካባኻ ኪወጹ እዮም። 7 ኣነ
ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ዘርእኻን፡ ብድሕሬኻ ድማ ኣብ ወለዶኦም ኪዳነይ ከቕውም
እየ። ኣነ ንኣኻን ብድሕሬኻ ድማ ንዘርእኻን ኣምላኽ ከም ዝኾንኩ፡ እዚ ናይ ዘለኣለም ኪዳን እዩ። 8
እዛ ምድሪ ስደትካ፡ ኩላ ምድሪ ኸነኣን፡ ንኣኻን ብድሕሬኻ ድማ ንዘርእኻን ንርስቲ ዘለኣለም ክህብ እየ፡
ኣምላኾም ከኣ ክኸውን እየ።

9 ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም በሎ፡ ንስኻ ኸኣ ኪዳነይ ክትሕሉ ኢኻ፡ ንስኻን ብድሕሬኻውን ዘርእኻ ኣብ
ወለዶኦም ትሕልዉ። 10 እቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን፡ ብድሕሬኻ ድማ ኣብ ዘርእኻ ዘሎ እሞ
ንስኻትኩም እትሕልዉዎ ኺዳን እዚ እዩ፡ ኣባኻትኩም ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ ይገዘር። 11 ስጋ ዕልቦኹም
ግዘሩ፡ እዚ ድማ ነቲ ኣብ መንጎይን መንጎኹምን ዘሎ ኺዳን ምልክት ኪኸውን እዩ። 12 ኣባኻትኩም ወዲ
ሾሞንተ መዓልቲ ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ፡ ኣብ ወለዶኹም፡ ኣብ ቤት እተወልደን ካብ ማንም፡ ካብ
ዘርእኻ ዘይኰነ ወዲ ጓና ብገንዘብ እተዓደገን ይገዘር። 13 ኣብ ቤትካ እተወልደን ብገንዘብካ እተዓደገን
ብግዲ ይገዘር። ኪዳነይ ኣብ ስጋኹም ኪዳን ዘለኣለም ኪኸውን እዩ። 14 ዘይተገዝረ ተባዕታይ፡ ስጋ
ዕልቦኡ ዘይተገዝረ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኺዳነይ ኣፍሪሳ እያ እሞ፡ ካብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ።

15 ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም፡ ንሰበይትኻ ሳራይ ድማ ሳራ ደኣ እዩ እምበር፡ ስማ ሳራይ ኢልካ
ኣይትጸውዓያ። 16 ክባርኻ እየ፡ ህዝብታት ከኣ ክትከውን እያ፡ ነገስታት ህዝብታት እኳ ደኣ ኻብኣ ኪኾኑ
እዮም፡ በሎ። 17 ሽዑ ኣብርሃም ብገጹ ተደፍኤ፡ ስሒቑ ድማ ብልቡ፡ ንወዲ ሚእቲ ዓመትዶ ወዲ
ይውለደሉ፧ ሳራ፡ ጓል ተስዓ ዓመትከ ትወልድዶ፧ በለ። 18 ኣብርሃም ድማ ንኣምላኽ፡ እስማኤል ግዳ ኣብ
ቅድሜኻ እንተ ዚነብር፡ በሎ። 19 ኣምላኽ ከኣ በለ፥ ኣይፋልን፡ ሰበይትኻ ሳራ ደኣ ወዲ ኽትወልደልካ
እያ፡ ስሙ ድማ ይስሃቅ ከተውጽኣሉ ኢኻ። ኪዳነይ ዘለኣለም ከቕውም እየ። 20 ብዛዕባ እስማኤል ድማ
ጸሎትካ ሰሚዔ ኣሎኹ። እንሆ፡ ባሪኸዮ ኣሎኹ፡ ከፍርዮን ኣዝየ ኸኣ ከብዝሖን እየ። ዓሰርተው ክልተ
ሹም ኪወልድ እዩ፡ ዓብዪ ህዝቢ ድማ ኽገብሮ እየ። 21 ግናኸ ምስቲ፡ ሳራ ንዓመታ ኸምዛ ጊዜ እዚኣ
እትወልደልካ ይስሃቅ ኪዳነይ ከቕውም እየ። 22 ምስኡ ምዝራብ ምስ ወድኤ ኸኣ፡ ኣምላኽ ካብ ኣብርሃም
ናብ ላዕሊ ደየበ።

23 ኣብርሃም ድማ ንወዱ እስማኤልን ነቶም ኣብ ቤቱ እተወልዱ ኹሎምን ብገንዘቡ እተዓደጉ
ኹሎምን፡ ካብ ቤተሰብ ኣብርሃም ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ ወሲዱ፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝበሎ በታ መዓልቲ
እቲኣ ዕልቦ ስጋኦም ገዘረ። 24 ኣብርሃም ስጋ ዕልቦኡ ኺግዘር ከሎ፡ ወዲ ተስዓን ትሽዓተን ዓመት ኰይኑ
ነበረ። 25 ወዱ እስማኤል ድማ ስጋ ዕልቦኡ ኺግዘር ከሎ፡ ወዲ ዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ኰይኑ ነበረ። 26
በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብርሃምን እስማኤል ወዱን ተገዝሩ። 27 ኣብ ቤቱ እተወልዱ ኹሎም ቤተሰቡን
ካብ ደቂ ጓና ብገንዘብ እተዓደጉን ምስኡ ተገዝሩ።

# ምዕራፍ 18

1 ንሱ ብዳህሪ መዓልቲ ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ድንኳን ተቐሚጡ ኸሎ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ድዋታት
መምሬ ተገልጸሉ። 2 ኣዒንቱ ኸኣ ቋሕ ኣበለ፡ እንሆ ድማ፡ ሰለስተ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሎም
ረኣየ። ምስ ረኣዮም ድማ፡ ካብ ኣፍ ደገ እቲ ድንኳን ኪቕበሎም ጐየየ፡ ናብ ምድሪ ኸኣ ሰገደ፡ 3 በለ
ድማ፡ ጐይታይ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ በጃኻ፡ ንባርያኻ ኣይትሕለፈኒ። 4 እእጋርኩም
ክትሕጸቡ ሒደት ማይ ኰታ ይምጽኣልኩም፡ ኣብ ትሕቲ እዛ ኦም ድማ ዕረፉ። 5 ብባርያኹም
ኣቢልኩም ካብ እትሓልፉስ፡ ልብኹም ክትድግፉ፡ ቍራስ እንጌራ ኸምጽኣልኩም ድሕርቲ ትሓልፉ፡
በለ። ከምቲ ዝበልካዮ፡ ከምኡ ግበር፡ ድማ በልዎ። 6 ኣብርሃም ቀልጢፉ ናብ ሳራ ናብ ድንኳን ኣትዩ፡
ቀልጢፍኪ ሰለስተ መስፈር ድኹም ሓርጭ ኣቝምጢዕኪ ቀጫጬ ሰንክቲ፡ በለ። 7 ኣብርሃም ድማ ናብ
ኣሓኡ ጐይዩ ልምሉም፡ ጽቡቕ ብተይ ወሲዱ፡ ነቲ ግዝኡ ሀቦ፡ ንሱ ኸኣ ኸዳልዎ ተቓለጠፈ። 8 ርግኦን
ጻልጣን እቲ ዘዳለዎ ብተይን ገይሩ ድማ ኣቕረበሎም። ንሱ ድማ ኣብ ትሕቲ እታ ኦም ኣብ ጥቓኦም
ደው ኢሉ ነበረ፡ ንሳቶም ከኣ በልዑ።

9 ንሳቶም ድማ፡ ሰበይትኻ ሳራኸ ኣበይ ኣላ፧ በልዎ ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ድንኳን እንሃ፡ በለ። 10 ሽዑ ንሱ፡
ንዓመታ ኸምዚ ቕንያት እዚ ርግጽ ክምለሰካ እየ፡ ሰበይትኻ ሳራ ድማ እንሃ፡ ሽዑ ወዲ ኺህልዋ እዩ፡
በለ። ሳራ ኸኣ ኣብ ኣፍ እቲ ብድሕሪኡ ዘሎ ድንኳን ከላ፡ እዚ ሰምዔት። 11 ሕጂ ድማ ኣብርሃምን ሳራን
ዕለቶም ዘብጽሑ ኣሪጎም ነበሩ፡ ንሳራ ድማ እቲ ልምዲ ደቂ ኣንስትዮ ገዲፍዋ ነበረ። 12 ሳራ ኸኣ ብልባ
ኸምዚ ኢላ ሰሓቐት፡ ድሕሪ እርግናይዶ ፍትወት ኪልዓለኒ፧ ጐይታይ ድማ ኣሪጉ እዩ። 13 እግዚኣብሄር
ከኣ ንኣብርሃም፡ ስለምንታይ ሳራ፡ ኣሪገ ኸሎኹስ፡ ብሓቂ ውሉድ ክወልድ እየ፧ ኢላ ሰሓቐት፧ 14
ንእግዚኣብሄርዶ ዚጨንቆ ነገር ኣለዎ፧ ንዓመታ ኸምዚ ቕንያት እዚ ብምዱብ ጊዜ ኽምለሰካ እየ። ሳራ
ድማ ወዲ ኺህልዋ እዩ፡ በሎ። 15 ሽዑ ሳራ፡ ሰምቢዳ ነበረት እሞ፡ ኣይሰሓቕኩን፡ ኢላ ኣሉ በለት። ንሱ
ግና፡ ኣይፋል፡ ስሒቕኪ እባ ደኣ፡ በላ።

16 እቶም ሰባት ድማ ካብኡ ተንስኡ። ንሶዶም ገጾም ከኣ ቀንዑ፡ ኣብርሃምውን ከፋንዎም ምሳታቶም
ከደ። 17 እግዚኣብሄር ድማ፡ እቲ ኣነ ዝገብሮ ኻብ ኣብርሃምዶ ኽሓብኦ እየ፧ 18 ኣብርሃምሲ ዓብይን
ብርቱዕን ህዝቢ ኪኸውን እዩ፡ ህዝብታት ኲላ ምድሪ ድማ ብእኡ ኺባረኹ እዮም። 19 እግዚኣብሄር ከኣ
እቲ ብዛዕባ ኣብርሃም እተዛረቦ ኺምጽኣሉ፡ ንሱ ድማ ብድሕሩኡውን ንቤቱን ንደቁን መገዲ
እግዚኣብሄር ኪሕልዉን፡ ጽድቅን ፍርድን ከኣ ኪገብሩን፡ ምእንቲ ኺእዝዞም፡ ፈለጥክዎ፡ በለ። 20
እግዚኣብሄር ድማ፡ ጭራሕምራሕ ሶዶምን ጎሞራን በዚሑ እዩ እሞ፡ ሓጢኣቶም ከኣ ኣዝዩ በርቲዑ እዩ፡
21 ስለዚ ኸምቲ ናባይ ዝመጸ ጭራሕምራሕ ፈጺሞም ገይሮምዎ ወይ ዘይገበርዎ እንተ ኾይኖም
ክፈልጥ፡ ወሪደ ኽርኢ እየ፡ በለ። 22 እቶም ሰባት ድማ ካብኡ ገጾም መሊሶም ናብ ሶዶም ከዱ።
ኣብርሃም ከኣ ገና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው ኢሉ ነበረ። 23 ኣብርሃም ድማ ቐሪቡ፡ ነቲ ጻድቕከ
ምስቲ ረሲእዶ ኸተጥፍኦ ኢኻ፧ 24 ምናልባሽ ኣብታ ኸተማ ሓምሳ ጻድቃን ይርከቡ ይኾኑ እዮም እሞ፡
ተጥፍኦምዶ፧ ምእንቲ እቶም ኣብኣ ዘለዉ ሓምሳ ጻድቃን ኢልካስ ነታ ቦታዶ ኣይትንሕፉን፧ 25 ንጻድቕ
ምስቲ ረሲእ ምቕታል ከምዚ ዝበለ ነገር ምግባርሲ ኻባካ ይርሓቕ፡ እቲ ጻድቕ ከምቲ ረሲእ ኪኸውንሲ፡
ኻባኻ ይርሓቕ። እቲ ፈራድ ኲላ ምድርስ ፍትሒዶ ኣየውጽእን እዩ፧ በለ። 26 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ኣብ
ሶዶም፡ ኣብ ማእከል እታ ከተማ ሓምሳ ጻድቃን እንተ ረኺብኩላስ፡ ንብዘላ እታ ቦታ ምእንታኦም ኢለ

ኽንሕፋ እየ፡ በለ። 27 ኣብርሃም ድማ መሉሱ፡ እንሆ፡ ኣነ መሬትን ሓመዅስትን ክነሰይ ምስ ጐይታይ
ክዛረብ ደፈርኩ፡ 28 ምናልባሽ ካብቶም ሓምሳ ጻድቃን ሓሙሽተ ይጐድሉ ይዅኑ፡ ብዛዕባ እቶም
ሓሙሽተዶ ንብኸተማኣ ተጥፍኣ፧ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ኣርብዓን ሓሙሽተን እንተ ረኺብኩላስ፡ ኣየጥፍኣን፡
በለ። 29 ከም ብሓድሽ ድማ፡ ምናልባሽ ኣርብዓ ይርከብዋ ይዅኑ፡ ኢሉ ተዛረቦ። ምእንቲ እቶም ኣርብዓ
ኢለ ኣይገብሮን እየ፡ በለ። 30 ንሱ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ብምዝራበይ ደኣ ኣይትዅሪ። ምናልባሽ ሰላሳ
ይርከብዋ ይዅኑ፡ በለ። ሰላሳ እንተ ረኺብኩላስ፡ ኣይገብሮን እየ፡ በለ። 31 ንሱ ድማ፡ እንሆ፡ ምስ
ጐይታይ ክዛረብ ደፈርኩ፡ ምናልባሽ ዕስራስ ግዲ ይርከብዋ ይዅኑ፡ በለ። ምእንቲ እቶም ዕስራ
ኣየጥፍኣን እየ፡ በለ። 32 ንሱ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ሓንሳእ ጥራይ ክዛረብሲ ኣይትዅሪ ደኣ፡ ምናልባሽ
ዓሰርተስ ግዲ ይርከብዋ ይዅኑ፡ በለ። ምእንቲ እቶም ዓሰርተውን ኣየጥፍኣን እየ፡ በለ። 33 እግዚኣብሄር
ድማ ምስ ኣብርሃም ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፡ ከደ። ኣብርሃምውን ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

# ምዕራፍ 19

1 እቶም ክልተ መላእኽቲ ድማ ምሸት ናብ ሶዶም መጹ። ሎጥ ከኣ ኣብ ደገ ሶዶም ተቐሚጡ ነበረ።
ሎጥ ድማ ምስ ረኣዮም፡ ኪቕበሎም ተንስኤ፡ ብገጹ ኸኣ ናብ ምድሪ ተደፍኤ እሞ፡ 2 ኣቱም ጐይተተይ፡
በጃኹም እንሆ፡ ኣብ ቤት ባርያኹም ኣግልሱ፡ ኣብኣ ድማ ሕደሩ፡ ኣእጋርኩምውን ተሓጸቡ።
ኣንጊህኩም ተንሲእኩም ከኣ መገድኹም ትኸዱ፡ በለ። ንሳቶም ግና፥ ኣይፋልናን፡ ኣብ ኣደባባይ ደኣ
ንሓድር፡ በሉ። 3 ንሱ ኸኣ ኣዝዩ ግዲ በሎም እሞ ናብኡ ኣግሊሶም ናብ ቤቱ ኣተዉ። ንሱ ድማ ቅጫ
ሰንኪቱ መኣዲ ኣዳለወሎም፡ ንሳቶምውን በልዑ።

4 ገና ኸይደቀሱ ኸለዉ ድማ፡ ሰብ እታ ኸተማ፡ ሰብ ሶዶም፡ ኣጕባዝን ኣረገውትን፡ ብዘሎ እቲ ህዝቢ
ኻብ ኲሉ ሸነኽ መጺኡ፡ ነታ ቤት ከበባ። 5 ንሎጥ ጸዊዖም ከኣ፥ እዞም ብለይቲ ናባኻ ዝኣተዉ ሰባት
ኣበይ ኣለዉ፧ ምእንቲ ኽንፈልጦምሲ፡ ናባና ኣውጽኣዮም፡ በልዎ። 6 ሎጥ ድማ ናባታቶም ናብ ኣፍደገ
ወጸ፡ ነቲ ማዕጾውን ብድሕሪኡ ዐጸዎ። 7 በሎም ከኣ፡ ኣሕዋተየ፡ ከምዚ ዝበለ ኽፉእ ኣይትግበሩ፡ 8
እነዋ፡ ሰብኣይ ዘይፈለጣ ኽልተ ኣዋልድ ኣለዋኒ፡ በጃኹም ሕደጉ፡ ንኣታተን ከውጽኣልኩም፡ ባህ
ዝበለኩም ግበርወን። እዞም ሰባት እዚኦም ግና ኣብ ጽላል ናሕሰይ ኣትዮም እዮም እሞ፡ ገለ እኳ
ኣይትግበርዎም። 9 ንሳቶም ግና፡ ኣልግስ፡ ንየው በል፡ በሉ። ድማ፡ እዚ ሓደ ስደተኛ ዅይኑ ዝመጸስ ዳኛ
ዅይኑ ኺፈርድ ይደሊ ኣሎ፡ ሕጂ ግና ካብ ንኣታቶም ዝገደደ ኽነኽፍኣልካ ኢና፡ በሉ። ነቲ ሰብኣይ፡
ንሎጥ፡ ብሓይሊ ጐነጽዎ፡ ማዕጾ ኺሰብሩ ድማ ቐረቡ። 10 ሽዑ እቶም ሰባት ኣእዳዎም ኣስሊኾም፡
ንሎጥ ናባታቶም ናብ ቤት ኣእተዉዎ፡ ነቲ ማዕጾ ድማ ዓጸዉዎ። 11 ነቶም ኣብ ኣፍ ቤት ዝነበሩ ሰባት፡
ካብ ናእሽቱ ኽሳዕ ዓበይቲ፡ ኣዖርዎም እሞ ነቲ ኣፍ ደገ ኺረኽቡ ይደኽሙ ነበሩ።

12 እቶም ሰብ ድማ ንሎጥ፡ ኣብዚ ገና ኻብ ናትካዶ ኣሎካ፧ ሰብኣይ ጓልን ኣወዳትካን ኣዋልድካን ኣብዛ
ኸተማ ዘሎ ናትካ ዘበለ ዅሉን ካብዛ ቦታ እዚኣ ኣውጽኣዮም። 13 ነዛ ቦታ እዚኣ ኸኣ፡ ጭራሕ ምራሖም
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዓብዩ ስለዝዅነ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ከነጥፍኣ ልኢኹና እዩ እሞ፡ ንሕና
ኽነጥፍኣ ኢና፡ በልዎ። 14 ሎጥ ድማ ወጺኡ ነቶም ነዋልዱ ዘእተዉ ሰብኡት ኣዋልዱ፡ እግዚኣብሄር ነዛ
ከተማ ኼጥፍኣ እዩ እሞ፡ ተንስኡ፡ ካብዛ ቦታ እዚኣ ውጹ፡ ኢሉ ተዛረቦም። እቶም ሰብኡት ኣዋልዱ
ግና ይዋዘ ኸም ዘሎ መሲሉ ተራእዮም።

15 ቀይሔጸሊም ኺቐድድ ከሎ ድማ፡ እቶም መላእኽቲ ንሎጥ፡ ብዓመጽ እዛ ኸተማ ኸይትጠፍእሲ፡
ሰበይትኻን እዘን ኣብዚ ዘለዋ ኽልተ ኣዋልድካን ተማሊእካ ተለዓል፡ ኢሎም ሀወኹዎ። 16 ንሱ ግና
ደንጐየ። እግዚኣብሄር ኪንሕፎ ስለ ዝደለየ፡ እቶም ሰባት ኢዱን ኢድ ሰበይቱን ኢድ ክልቲኤን
ኣዋልዱን ሒዞም ኣውጽእዎ፡ ኣብ ወጻኢ እታ ኸተማ ድማ ሓደግዎ።

17 ኰነ ኸኣ፡ ናብ ወጻኢ ምስ ኣውጽእዎም፡ ነፍስኻ ኣድሕን፡ ንድሕሪት ገጽካ ግልጽ ኣይትበል፡ ኣብ
ብዘሎ እዚ ጐልጐል ድማ ደው ኣይትበል። ምእንቲ ኸይትጠፍእ፡ ናብ ከረን ኣቢልካ ድሓን፡ በለ። 18
ሎጥ ግና፡ ኣይፋልካን ጐይታይ፡ 19 እንሆ ባርያኻ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ረኺቡ ኣሎ፡ ንነፍሰይ
ብምድሓንካ ዝገበርካለይ ምሕረትካ ድማ ኣዕቢኻዮ። ኣነ ግና፡ እቲ ኽፉእ ከየርከበንን ከይመውትን፡
ናብ ከረን በጺሔ ኽድሕን ኣይክእልን እየ። 20 በጃኻ እንሃ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ናብኣ ንምህዳም ቀረባ እያ፡
ንእሽቶ ኸኣ እያ። ንእሽቶዶ ኣይኰነትን፧ እሞ ነፍሰይ ብህይወት ምእንቲ ኽትነብርሲ፡ በጃኻ፡ ናብኣ
ኽድሕን ሕደገኒ፡ በሎም። 21 ንሱ ድማ፡ ነታ እተዛረብካላ ኸተማ ኸይግልብጣስ፡ እንሆ፡ በዚ ነገርዚውን
ሕራይ ኢለካ እየ። 22 ኣብኣ ኽይበጻሕካ፡ ገለ ነገር ክገብር ኣይክእልን እየ እሞ፡ ቀልጢፍካ ናብኣ ድሓን፡
በሎ። ስለዚ ስም እታ ኸተማ ዞኣር ተባህለት።

23 ሎጥ ኣብ ዞኣር ምስ ኣተወ ድማ፡ ኣብታ ምድሪ ጸሓይ በረቐት። 24 ሽዑ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ኣብ
ልዕሊ ሶዶምን ኣብ ልዕሊ ጎሞራን ካብ እግዚኣብሄር ዲንን ሓውን ኣዝነመ። 25 ነዘን ከተማታት እዚኤንን
ንኹሉ ጐልጐልን ኣብተን ከተማታት ንዚነብሩ ዅሎምን ንብቑሊ ምድርን ገልበጠ።

26 ሰበይቲ ሎጥ ግና ንድሕሪት ክትርኢ ግልጽ በለት፡ ሓወልቲ ጨው ከኣ ዀነት።

27 ኣብርሃም ድማ ንጽብሒቱ ናብታ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው ኢሉላ ዝነበረ ቦታ ኣንግሄ። 28 ናብ
ሶዶምን ጎሞራን ናብ ብዘላ ምድሪ ጐልጐልን ኣማዕደወ፡ እንሆ ኸኣ፡ ካብታ ሃገር፡ ትኪ እቶን ዚመስል፡
ትኪ ኺለዐል ረኣየ።

29 ከምዚ ኸኣ ዀነ፡ ኣምላኽ ነተን ኣብ ጐልጐል ዝነበራ ኸተማታት ኬጥፍእ ከሎ፡ ኣምላኽ ንኣብርሃም
ዘከሮ። ነተን ሎጥ ተቐሚጥወን ዝነበረ ኸተማታት ኪግልብጥ ከሎ፡ ንሎጥ ካብ ማእከል ምግልባጥ
ኣውጽኦ።

30 ሎጥ ከኣ ኣብ ዞኣር ንምቕማጥ ፈሪሁ ነበረ እሞ፡ ኣብ ዞኣር ደይቡ፡ ክልቲኤን ኣዋልዱ ድማ ምስኡ
ኣብ ከረን ተቐመጠ። ንሱን ክልቲኤን ኣዋልዱን ኣብ በዓቲ ተቐመጡ። 31 እታ ቦዅሪ ኸኣ ነታ ንእሽቶ፡
ኣቦና ኣሪጉ እዩ፡ ኣብ ምድሪ ድማ ከም ልማድ ኵሉ ምድሪ ዜእትወና ሰብኣይ የልቦን። 32 ንዒ፡ ነቦና
ወይኒ ነስትዮ፡ ካብ ኣቦና ዘርኢ ምእንቲ ኽነትርፍሲ ምስኡ ንደቅስ፡ በለታ። 33 እሞ በታ ለይቲ እቲኣ
ነቦኤን ወይኒ እስተያኦ፡ እታ በዅሪ ድማ ኣትያ ምስ ኣቦኣ ደቀሰት። ንሱ ግና ምድቃሳን ምትንስኣን
ኣይፈለጠን። 34 ኰነ ኸኣ፡ ንጽብሒቱ እታ በዅሪ ነታ ንእሽቶ፥ እንሆ፡ ትማሊ ለይቲ ምስ ኣቦይ ደቂሰ፡
በዛ ለይቲ እዚኣ ድማ ወይኒ ነስትዮ፡ ካብ ኣቦና ዘርኢ ምእንቲ ኽነትርፍ፡ ንስኺ ድማ ኣቲኺ ምስኡ
ደቅሲ፡ በለታ። 35 በታ ለይቲ እቲኣ ድማ ነቦኤን ወይኒ ኣስተያኦ፡ እታ ንእሽቶ ኸኣ ከይዳ ምስኡ ደቀሰት።
ንሱ ግና ምድቃሳን ምትንስኣን ኣይፈለጠን። 36 ክልቲኤን ደቂ ሎጥ ከኣ ካብ ኣቦኤን ጠነሳ። 37 እታ በዅሪ
ወዲ ወለደት፡ ስሙ ኸኣ ሞኣብ ኣውጽኣትሉ። ንሱ ኸሳዕ ሎሚ ኣቦ ሞኣባውያን እዩ። 38 እታ ንእሽቶ፡
ንሳ ድማ ወዲ ወለደት፡ ስሙ ብንዓሚ ኣጽኣትሉ። ንሱ ኸሳዕ ሎሚ ኣቦ ደቂ ዓሞን እዩ።

## ምዕራፍ 20

1 ኣብርሃም ድማ ካብኡ ንምድሪ ደቡብ ኣቢሉ ተጓዕዘ። ኣብ መንጎ ቃዴስን ሹርን ተቐመጠ፡ ኣብ ጌራር
ከኣ ስደተኛ ኾይኑ ነበረ። 2 ኣብርሃም ድማ ብዛዕባ ሰበይቱ ሳራ፡ ሓብተይ እያ፡ በለ። ኣቢሜለክ፡ ንጉስ
ጌራር ከኣ፡ ልኢኹ ንሳራ ወሰዳ። 3 ኣምላኽ ግና ናብ ኣቢሜለክ ለይቲ ብሕልሚ መጺኡ፡ እዛ ወሲድካያ
ዘሎኻ ሰበይቲ በዓልቲ ሰብኣይ እያ እሞ፡ እንሆ፡ ብሰራ ኽትመውት ኢኻ፡ በሎ። 4 ኣቢሜለክ ከኣ
ኣይቀረባን ነበረ እሞ፥ ጐይታይ፡ ንጻድቕ ህዝቢውንዶ ትቐትል ኢኻ፧ 5 ባዕሉዶ ኣይኮነን፡ ንሳ ሓብተይ
እያ፡ ዝበለኒ፧ ንሳ ባዕላ ድማ፡ ንሱ ሓወይ እዩ፡ በለት። ብጽጹይ ልበይን ብጽሩይ ኢደይን እየ ነዚ
ዝገበርኩ፡ በለ። 6 ኣምላኽ ከኣ ብሕልሚ፡ ኣነውን እዚ ብጽጹይ ልብኻ ከም ዝገበርካዮ፡ ፈሊጠ፡ ኣነ
ድማ ኣብ ቅድመይ ሓጢኣት ከይትገብር ከልከልኩኻ። ስለዚ ኽትትንክያ ኣይፈቐድኩልካን። 7 ሕጂ ኸኣ
ሰበይቲ እቲ ሰብኣይ ምለሳ። ነብዩ እዩ እሞ፡ ምእንቲ ኽትድሕን ከኣ ንሱ ይጸልየልካ። እንተ
ዘይመለስካያ ግና፡ ንስኻን ናትካ ዘበለ ኹሉን ብርግጽ ከም እትመውት ፍለጥ፡ በሎ። 8 ኣቢሜለክ
ንጽብሒቱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ንኹሎም ገላውኡ ጸዊዑ እዚ ነገርዚ ኹሉ ኣዘንተወሎም። እቶም ሰባት ከኣ
ኣዝዮም ፈርሁ። 9 ኣቢሜለክ ከኣ ንኣብርሃም ጸዊዑ፡ እዚ ዝገበርካና እንታይ እዩ፧ ኣባይን ኣብ
መንግስተይን ዓብዪ ሓጢኣት ዘምጻእካልና፡ እንታይ በዲለካ ነይረ እየ፧ ዘይግበር ግብሪ እንካ ደኣ
ገበርካኒ፡ በሎ። 10 ኣቢሜለክ ድማ ንኣብርሃም፡ እንታይ ተራእዩካ ኢኻ እዚ ነገርዚ ዝገበርካ፧ በሎ። 11
ኣብርሃም ከኣ፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ብርግጽ ፍርሃት ኣምላኽ የልቦን እሞ፡ ብምኽንያት ሰበይተይ ኪቐትሉኒ
እዮም፡ ኢለ እየ። 12 ንሳ ድማ ብሓቂ ሓብተይ፡ ጓል ኣቦይ፡ እያ፡ ጓል ኣደይ ግና ኣይኰነትን፡ ሰበይተይ
ከኣ ኾነት። 13 ኰነ ድማ፡ ኣምላኽ ካብ ቤት ኣቦይ ምስ ኣውጽኣኒ፥ ኣብ ኵሉ ዝኣቶናዮ ቦታ ብዛዕባይ፥
ንሱ ሓወይ እዩ፡ ክትብሊ፡ እዚ እዩ እተርእይኒ ሞገስኪ፡ በልክዋ፡ በለ። 14 ኣቢሜለክ ኣባጊዕን ኣሓን
ተባዕትዮን ኣንስትዮን ባሮት ወሲዱ ኸኣ ንኣብርሃም ሀቦ። ሰበይቱ ሳራ ድማ መለሰሉ። 15 ኣቢሜለክ
ከኣ፥ እንሆ ምድረይ ኣብ ቅድሜኻ እያ፡ ኣብ ዝሓይሸ መሲሉ እተራእየካ ተቐመጥ፡ በለ። 16 ንሳራ ድማ፡
እንሆ፡ ንሓውኺ ሽሕ ሲቃል ብሩር ሂበዮ ኣሎኹ። እንሆ፡ እዚ ኣብ ቅድሚ እቶም ምሳኺ ዘለዉ
ኹሎም መጕልበቢ ዓይኒ ይኹንኪ፡ ኣብ ቅድሚ ኹሉውን ተሰይምኪ፡ በላ።

17-18 እግዚኣብሄር ብምኽንያት ሳራ፡ ሰበይቲ ኣብርሃም፡ ኢሉ ኣብ ቤት ኣቢሜለክ ንዝነበረ ኹሉ ማህጸን
ፈጺሙ ዕጽይዎ ነበረ እሞ፡ ኣብርሃም ድማ ንኣምላኽ ለመነ። ኣምላኽውን ንኣቢሜለክን ንሰበይቱን
ኣግራዱን ኣሕወየ፡ ወለዱ ኸኣ።

## ምዕራፍ 21

1 እግዚኣብሄር ድማ፡ ከምቲ ዝበሎ ንሳራ በጽሓ። እግዚኣብሄር ከኣ ንሳራ ኸምቲ እተዛረቦ ገበረላ። 2
ሳራ ድማ ጠነሰት፡ በቲ ኣምላኽ እተዛረቦ ምዱብ ወርሓት ከኣ ንኣብርሃም ኣብ እርግናኡ ወዲ
ወለደትሉ። 3 ኣብርሃም ድማ ነቲ እተወልደሉ ወዱ፡ ሳራ ዝወለደትሉ፡ ስሙ ይስሃቅ ኣውጽኣሉ። 4
ኣብርሃም ከኣ ንይስሃቅ ወዱ፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ፡ ወዲ ሾሞንተ መዓልቲ ምስ ኰነ፡ ገዘሮ። 5
ኣብርሃም ድማ ወዱ ይስሃቅ ኪውለደሉ ኸሎ፡ ወዲ ሚእቲ ዓመት ኰይኑ ነበረ።

6 ሳራ ኸኣ፡ ኣምላኽ ሰሓቕ ገበረለይ፡ እዚ ዝሰምዔ ዘበለ ኹሉ ኸኣ ምሳይ ይስሕቕ፡ በለት። 7 ኣብ

እርግናኡ ወዲ ወሊደሉ እየ እሞ፡ ሳራ ቈልዓ ተጥቡ ኸም ዘላስ፡ ንኣብርሃም መን ምነገሮ፡ ድማ በለት። [8]
እቲ ቈልዓ ኸኣ ዐበየ፡ ጡብውን ሓደገ። በታ ይስሃቅ ጡብ ዝሓደገላ መዓልቲ ድማ ኣብርሃም ዓብዩ
ምሳሕ ገበረ።

[9] ሳራ ድማ እቲ ኣጋር፡ ግብጻዊት፡ ንኣብርሃም ዝወለደትሉ ወዲ ኼላግጽ ረአየት። [10] ንኣብርሃም ድማ፡
ወዲ እዛ ባርያ እዚኣ ምስ ወደይ፡ ምስ ይስሃቅ፡ ኣይወርስን እዩ እሞ፡ ነዛ ባርያ እዚኣን ንወዳን
ኣውጽኣዮም፡ በለቶ። [11] እዚ ነገርዚ ኸኣ ንኣብርሃም ብምኽንያት ወዱ ኣዝዩ ኽፉእ ኰይኑ ተራእዩ።

[12] ኣምላኽ ድማ ንኣብርሃም፡ ብናይ እዚ ወድን ብናይ እዛ ባርያኻን ክፉእ ኰይኑ ኣይርኤኻ። ብይስሃቅ
እዩ ዘርኢ ዚጽውዓልካ እሞ፡ ብዅሉ ሳራ እትብለካ ዘላ ቓላ ስማዕ። [13] ንወዲ እዛ ባርያ ድማ፡ ዘርእኻ
ስለ ዝኾነ፡ ህዝቢ ኽገብሮ እየ፡ በሎ። [14] ንጽብሒቱ ኸኣ ኣብርሃም ኣንጊሁ ተንሲኡ እንጌራን ሓርቢ
ማይን ወሲዱ፡ ንኣጋር ሀባ፡ ኣብ መንኩባ ድማ ኣሰከማ፡ እቲ ቈልዓውን ሂቡ ሰደዳ። ንሳ ኸኣ ኸይዳ፡
ኣብ በረኻ ብኤርሸባዕ ኰብለል ትብል ነበረት። [15] እቲ ማይ ካብ ሓርቢ ተወድኤ ኸኣ፡ እቲ ቈልዓ ኣብ
ትሕቲ ሓንቲ ኦም ይውደቕ ሐደገቶ። [16] ሞት እዚ ቈልዓ ኸይርኢ፡ ኢላ ድማ ኸደት እሞ ምውርዋር
ቀስቲ ዚአክል ርሒቓ ኣብ መንጽሩ ተቐመጠት።ኣብ መንጽሩ ተቐሚጣ ድማ ዓው ኢላ በኸየት። [17]
ኣምላኽ ከኣ ድምጺ እቲ ቈልዓ ሰምዔ። መልኣኽ ኣምላኽ ድማ ንኣጋር ካብ ሰማይ ጸዊዑ፡ ኣጋር፡
እንታይ ኳንኪ ኢኺ፧ ኣምላኽ ድምጺ እቲ ቈልዓ ኣብታ ዘለዋ ኸሎ ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ ኣይትፍርሂ። [18]
ነቲ ቈልዓ ዓብዩ ህዝቢ ኽገብሮ እየ እሞ፡ ተንስኢ፡ ኣልዒልኪ ብኢድኪ ደግፍዮ፡ በላ። [19] ኣምላኽ ድማ
ዓይና ኸፈተላ፡ ዔላ ማይ ከኣ ረኣየት። ከይዳ ኸኣ ሓርባ ማይ መሊኣ ነቲ ቈልዓ ኣስተየቶ። [20] ኣምላኽ
ድማ ምስቲ ቈልዓ ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ዓበየ፡ ኣብ በረኻውን ተቐመጠ፡ ቀስተኛ ኸኣ ኾነ። [21] ንሱ ኣብ በረኻ
ጻራን ይቕመጥ ነበረ። ኣዲኡ ድማ ካብ ሃገር ግብጺ ሰበይቲ ኣምጽኣትሉ።

[22] ኰነ ኸኣ፡ በቲ ዘበን እቲ ኣቢሜለክ ምስ ፊኮል ሓለቓ ሰራዊቱ መጺኡ ንኣብርሃም ከምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፡ ኣምላኽ ብትገብሮ ዘበለ ዅሉ ምሳኻ እዩ። [23] ሕጂ ኸኣ ከምቲ ኣነ ለውሃት ዝገበርኩልካ፡ ንኣይን
ነዛ ስደተኛ ዄንካ እትነብራ ዘሎኻ ምድርን፡ ከምኡ ኽትገብር እምበር፡ ንኣይን ንደቀይን ንደቂ ደቀይን
ከይትጠልም ብኣምላኽ መሓለለይ። [24] ኣብርሃም ከኣ፡ ኣነ እምሕል በለ። [25] ኣብርሃም ድማ ብዛዕባ ባሮት
ኣቢሜለክ ብሓይሊ ዝሓዝዋ ዔላ ማይ ንኣቢሜለክ ወቐሶ። [26] ኣቢሜለክ ከኣ፥ ነዚ ነገር እዝስ መን ከም
ዝገበሮ ኣይፈለጥኩን፡ ንስኻ ድማ ኣይነገርካንን፡ ኣነውን ብዘይሎሚ ኣይሰማዕኩን፡ በለ። [27] ኣብርሃም
ድማ ኣባጊዕን ኣብዑርን ወሲዱ ንኣቢሜለክ ሀቦ። ክልቲኦም ከኣ ኪዳን ተኣታተዉ። [28] ኣብርሃም ድማ
ካብ መጋርያኡ ሾብዓተ ሸበን ንበይነን ፈለየ። [29] ኣቢሜለክ ከኣ ንኣብርሃም፡ እዘን ንበይነን ዝፈሌኻየን
ሾብዓተ ሸበን እንታይ እየን፧ በሎ። [30] ንሱ ድማ፡ ነዛ ዔላ እዚኣ ኣነ ኸም ዝኾዓትክዋ፡ ምእንቲ ንኣይ
ምስክር ኪኾናኒ፡ እዘን ሾብዓተ ሸበን እዚኤን ካብ ኢደይ ክትወስድ፡ በለ። [31] ስለዚ ኽልቲኦም ኣብኣ
ስለ እተማሓሐሉ፡ ነታ ቦታ እቲኣ ብኤርሸባዕ ኢሉ ኣውጽኣላ። [32] ኣብ ብኤርሸባዕ ከኣ ኪዳን ተኣታተዉ፡
ኣቢሜለክ ድማ ተንሲኡ ምስ ፊኮል፡ ሓለቓ ሰራዊቱ፡ ናብ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን ተመልሱ።

[33] ኣብርሃም ከኣ ኣብ ብኤርሸባዕ ተምሪ ተኸለ። ኣብኣውን ብስም እግዚኣብሄር፡ ዘለኣለማዊ ኣምላኽ፡
ተማህለለ። [34] ኣብርሃም ድማ ኣብ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን ስደተኛ ኾይኑ ነዊሕ ዘበን ተቐመጠ።

# ምዕራፍ 22

[1] ድሕርዚ ነገርዚ ኸኣ ኾነ፡ ኣምላኽ ንኣብርሃም መከሮ በሎውን፡ ኣብርሃም። ንሱ ኸኣ፥ እኔኹ፡ በለ። [2]
እምበኣር ነቲ እትፈትዎ ሓደ ወድኻ ይስሃቅ ውሰድ እሞ፡ ናብ ምድሪ ሞርያ ኺድ፡ ኣብኡ ድማ ኣብ ሓደ
ኻብቲ ኣነ ዝነግረካ ኣኽራን ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኣዮ፡ በለ።

[3] ንጽብሒቱ ድማ ኣብርሃም ኣንጊሁ ተንሰኤ፡ ኣድጉ ጽዒኑ፡ ክልተ ግዙኣቱን ወዱ ይስሃቅን ምስኡ
ወሰደ፡ ንዝሐርር መስዋእቲ ዚኸውን ዕጨይቲውን ፈለጸ፡ ተንሲኡ ድማ ናብታ ኣምላኽ ዝነገሮ ቦታ
ኸደ። [4] ኣብርሃም ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኣዒንቱ ኣንቃዕሪሩ ነታ ቦታ ብርሑቕ ረአያ። [5] ኣብርሃም ድማ
ንግዙኣቱ፡ ምስ እዛ ኣድጊ ኣብዚ ጽንሑ፡ ኣነን እዚ ወድን ከኣ ናብቲ ኼድና ኽንሰግድ ኢና፡ ናባኻትኩም
ድማ ንምለስ፡ በሎም። [6] ኣብርሃም ድማ እቲ ንዚሐርር መስዋእቲ ዚኸውን ዕጨይቲ ወሲዱ፡ ንወዱ
ይስሃቅ ኣሰከሞ፡ ሓውን ካራን ከኣ ብኢዱ ወሰደ፡ ክልትኦም ድማ ብሓደ ኸዱ። [7] ይስሃቅ ነቦኡ
ኣብርሃም፡ ኣቦየ፡ ኢሉ ተዛረቦ። ንሱ ኸኣ፤ እነኹ ወደይ፡ በሎ። ንሱ ድማ፥ ሓውን ዕጨይትንሲ እንሆ፡
እቲ ንዝሓርር መስዋእቲ ዝኸውን በጊዕ ደኣ ኣበይ ኣሎ፤ በለ። [8] ኣብርሃም ከኣ፡ ወደየ፡ እቲ ንዚሐርር
መስዋእቲ ዚኸውን በጊዕሲ ኣምላኽ ንርእሱ ይሓልዮ እዩ፡ በለ። ክልቲኦም ድማ ብሓደ ኸዱ። [9] ናብታ
ኣምላኽ ዝነገሮ ቦታ መጹ፡ ኣብርሃም ድማ ኣብኣ መሰውኢ ሰርሔ፡ ዕጨይቲ ኸኣ ጸፍጸፈሉ። ንወዱ
ይስሃቅ ኣሲሩ ድማ ኣብቲ መሰውኢ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጨይቲ በጥ ኣበሎ። [10] ኣብርሃም ድማ ንወዱ
ኺሓርድ፡ ኢዱ ዘርጊሑ፡ ካራ ወሰደ። [11] መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ሰማይ ጸዊዑ፡ ኣብርሃም፡
ኣብርሃም በሎ። ንሱውን፡ እኔኹ፡ በለ። [12] ንሱ ድማ፡ ነዚ ሓደ ውሉድካ እኳ ካብ ዘይከላእካንስ፡
ንእግዚኣብሄር ከም እትፈርህ ሕጂ ፈሊጠ ኣሎኹ እሞ፡ ኢድካ ኣብዚ ወዲ ኣይትዘርግሕ፡ ገለን
ኣይትግበሮ፡ በለ፡ [13] ኣብርሃም ድማ ዓይኑ ቘሕ ኣበለ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብ ድሕሪኡ ቐርኑ ብሓረግ እተታሕዘ
ድዑል ረአየ። ኣብርሃም ድማ ከይዱ፡ ነቲ ድዑል ወሲዱ፡ ኣብ ክንዲ ወዱ ንዚሓርር መስዋእቲ ሰውኦ።
[14] ኣብርሃም ከኣ ስም እታ ቦታ እቲኣ፡ እግዚኣብሄር ይርኢ፡ ኢሉ ኣውጽኣላ። ንሱ እቲ ኽሳዕ ሎሚ ኣብ
ከረን እግዚኣብሄር ይሕለ፡ ዚብሀል ዘሎ እዩ።

[15] መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ካልኣይ ሳዕ ካብ ሰማይ ንኣብሃም ጸውዖ፡ [16] ብርእሰይ መሐልኩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር፡ እዚ ነገርዚ ኻብ እትገብር፡ ነቲ ሓደ ውሉድካን ካብ ዘይትኸልእ፡ [17] ስለዚ ኣዝየ ኽባርኸካ
እየ፡ ንዘርእኻ ድማ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን ኣዝየ ኽብዝሖ እየ።
ዘርእኻ ድማ ደጌታት ጸላእቱ ኺወርስ እዩ። [18] ቃለይ ስለ ዝሰማዕካ ድማ ህዝብታት ኵላ ምድሪ
ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም፡ በሎ። [19] ኣብርሃም ከኣ ናብ ግዙኣቱ ተመልሰ። ተላዒሎም ከኣ ብሓንሳእ ናብ
ብኤርሸባዕ ከዱ። ኣብርሃም ድማ ኣብ ብኤርሸባዕ ተቐመጠ።

[20] ኰነ ኸኣ፡ ድሕርዚ ነገርዚ ንኣብርሃም፥ እንሆ፡ ሚልካ ድማ ንናሆር ሓውካ ደቂ ወሊዳትሉ፡ ኢሎም
ነገርዎ። [21] ዑጽ እቲ በዅሩ፡ ሓዉ ድማ ቡዝ፡ ቄሙኤል ከኣ ኣቦ ኣራም፡ [22] ኬሴድን ሓዞን ፌልዳሽን
ይድላፍን ቤቱኤልን። [23] ቤቱኤል ድማ ንርብቃ ወለደ። እዚኣቶም ሾሞንቲኦም ሚልካ ንናሆር፡ ሓዉ
ኣብርሃም፡ ወለደትሉ። [24] ሬኡማ ዝስማ ሰበይቲ ወሰኑ፡ ንሳ ድማ ጤባሕን ጋሓሞን ታሓሽን መዓካን
ወለደት።

# ምዕራፍ 23

1 ዕድመ ሳራ ድማ ሚእትን ዕስራን ሾብዓተን ዓመት ኰነ፡ እዚ እዩ ዓመታት ሳራ። 2 ሳራ ኣብ
ቂርያትኣርባዕ፡ ንሳ ኬብሮን ኣብ ምድሪ ኸነኣን፡ ሞተት። ኣብርሃም ድማ ንሳራ ኺሐዝነላን ኪበኽየላን
መጸ።

3 ኣብርሃም ከኣ ኣብ ቅድሚ እታ ምውትቱ ተንስኤ፡ ንደቂ ሔት ድማ፧ 4 ኣነ ኣብ ማእከልኩም ጋሻን
መጻእተኛን እየ። ነዛ ምውትተይ ካብ ቅድሚ ገጸይ ዝቐብረሉ ርስቲ መቓብር ምሳኻትኩም ሀቡኒ፡ ኢሉ
ተዛረቦም። 5 ደቂ ሔት ድማ ንኣብርሃም፧ 6 ጐይታይ፡ ስምዓና፡ ንስኻ ኣብ ማእከልና ናይ ኣምላኽ መስፍን
ኢኻ። ካብ መቓብርና ሐሪኻ ምውትኻ ቕበር። ካባና ሓደኳ ምውትኻ ንምቕባር መቓብሩ ዚኸልኣካ
የልቦን፡ ኢሎም መለሱሉ። 7 ኣብርሃም ከኣ ተንሲኡ ንህዝቢ እታ ሃገር፡ ንደቂ ሔት፡ ሰገደሎም፡ 8-9
ንምውተይ ክቐብር ፈቒድኩምለይ እንተ ኾይንኩምሲ፡ ስምዑኒ፡ ንዔፍሮን፡ ወዲ ጾሓር፡ እታ ኣብ ደረት
ግራቱ ኣብ ማክጴላ ዘላ በዓቱ ኺህበኒ እሞ ንርስቲ መቓብር ኣብ ማእከልኩም ብምሉእ ዋጋ ኺህበኒ
ለምኑለይ፡ ኢሉ ተዛረቦም። 10 ዔፍሮን ከኣ ኣብ ማእከል ደቂ ሔት ተቐሚጡ ነበረ። ዔፍሮን፡ እቲ
ሔታዊ፡ ድማ ኵሎም እቶም ብኣፍ ደገ ኸተማኡ ዚኣቱ ደቂ ሔት እናሰምዑ ንኣብርሃም፡ 11 ኣይፋልካን
ጐይታይ፡ ስምዓኒ ደኣ፡ እታ ግራት እህበካ፡ እታ ኣብኣ ዘላ በዓቲ ድማ እህበካ፡ ደቂ ህዝበይ እናረኣዩ
እህበካ አለኹ፡ ምውትኻ ቕበር፡ ኢሉ መለሰሉ። 12 ኣብርሃም ከኣ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እታ ሃገር ሰገደ። 13
ንዔፍሮን ድማ እቶም ህዝቢ እታ ሃገር እናሰምዑ፡ እንተ ትሰምዓኒ ኾይንካ፡ ኣነ ዋጋ እታ ግራት ክህብ፡
ካባይ ውሰድ እሞ ምውትተይ ኣብኣ ክቐብር፡ ኢሉ ተዛረቦ። 14 ዔፍሮን ድማ ንኣብርሃም፡ 15 ጐይታይ፡
ስምዓኒ ደኣ፡ ናይ ኣርባዕተ ሚእቲ ሲቃል ብሩር ምድሪ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን እንታይ እያ፧
ምውትኻ ግዳ ቕበር፡ ኢሉ መለሰሉ። 16 ኣብርሃም ድማ ንዔፍሮን ሰሚዑ፡ እቲ ዔፍሮን፡ ደቂ ሔት
እናሰምዑ፡ እተዛረቦ ዋጋ፡ ከምቲ ኣብ ነጋድ ዚተሓላለፍ ዝበለ ኣርባዕተ ሚእቲ ሲቃል ብሩር መዘነሉ።

17 በዚ ኸምዚ ኸኣ እታ ኣብ ማክጴላ፡ ኣብ መንጽር መምሬ ዝነበረት ግራት ዔፍሮን፡ እታ ግራትን ኣብኣ
ዘላ በዓትን፡ ኣብታ ግራትን ኣብ ዙርያኣ ኣብ ዘሎ ኹሉ ዶባን ዝነበረ ኣእዋምን፡ 18 ደቂ ሔት እናረኣዩ
ኣብ ቅድሚ እቶም ብደገ ኸተማኡ ዚኣትዉ ኹሎም ገንዘብ ኣብርሃም ኰይኑ ቘመ። 19 ድሕርዚ ድማ
ኣብርሃም ንሰበይቱ ሳራ ኣብ በዓቲ ግራት ማክጴላ፡ ኣብ መንጽር መምሬ፡ ንሳ ኸኣ ኬብሮን፡ ኣብ ምድሪ
ኸንኣን ቀበራ። 20 እታ ግራትን እታ ኣብኣ ዘላ በዓትን ድማ ካብ ደቂ ሔት ንኣብርሃም ርስቲ መቓብር
ኰይና ቘመት።

# ምዕራፍ 24

1 ኣብርሃም ከኣ ነዊሕ ዕድመ ዝገበረ ኣረጊት ነበረ። እግዚኣብሄር ድማ ንኣብርሃም ብኹሉ ባሪኽዎ
ነበረ። 2 ኣብርሃም ከኣ ነቲ ኣረጊት ግዙእ ቤቱ፡ ኣዛዝ ኩሉ ገንዘቡ፡ በጃኻ ኢድካ ኣብ ትሕቲ ሰለፈይ
ኣንብር። 3 ካብ ኣዋልድ እዞም ኣነ ኣብ ማእከሎም ዝነብር ዘሎኹ ከነኣናውያን፡ ንወደይ ሰበይቲ
ኸይተተኣታትዎ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይን ኣምላኽ ምድርን ኤምሕለካ አሎኹ። 4 ናብ ሃገረይን
ናብ ዓሌተይን ኬድካ ደኣ ንወደይ ይስሃቅ ሰበይቲ ኣምጽኣሉ፡ በሎ። 5 እቲ ግዙእ ከኣ፡ ምናልባሽ እታ
ሰበይቲ ናብዛ ሃገር ደድሕረይ ክትስዕብ እንተ ዘይፈተወትከ፡ ንወድኻ ናብታ ንስኻ ዝወጻእካላ ሃገርዶ
ብግዲ ኽመልሶ እየ፧ በሎ። 6 ኣብርሃም ድማ፡ ንወደይ ናብኣ ኸይትመልሶ ተጠንቀቕ።

7 እቲ ኻብ ቤት ኣቦይን ካብታ እተወለድኩላ ሃገርን ዘውጽኣኒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ፡ ንሱ ኸኣ፡ እዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእኻ ክህባ እየ፡ ኢሉ እተዛረበንን፡ ዝመሐለለይን፡ ንሱ መልኣኹ ቀቅድሜኻ ኺልእኽ እዩ እሞ ካብኡ ንወደይ ሰበይቲ ኽተምጽኣሉ ኢኻ። 8 እታ ሰበይቲ ደድሕሬኻ ኽትስዕብ እንተ ዘይፈተወት ግና፡ ንስኻ ኻብዛ ማሕላይ ንጹህ ኢኻ። ሓንትስ ንወደይ ደኣ ናብኡ ኣይትምለሶ፡ በሎ። 9 እቲ ግዙእ ኢዱ ኣብ ትሕቲ ሰለፍ ጐይታኡ ኣብርሃም ኣንበረ፡ ከምዚ ነገርዚ ገይሩ ኸኣ መሓለሉ።

10 እቲ ግዙእ ድማ ካብ ኣግማል ጐይታኡ ዓሰርተ ገመል ወሲዱ፡ ካብ ኵሉ ዘዝጸበቐ ዘበለ ናይ ጐይታኡ ሒዙ ተበገሰ፡ ተንሲኡ ድማ ናብ መሶጶታምያ ናብ ከተማ ናሆር ከደ። 11 ኣጋ ምሸት፡ በታ ማይ ኪቐድሓላ ዚወጻላ ጊዜ ኸኣ ኣብ ወጻኢ ኸተማ ኣብ ጥቓ ዔላ ማይ ነተን ኣግማል ኣብረኸን። 12 በለ ድማ፡ ኣታ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ጐይታይ ኣብርሃም፡ ሎሚ ኹታ ኣገባግበለይ፡ ንጐይታይ ኣብርሃም ከኣ ምሕረት ግበር። 13 እንሆ፡ ኣነ ኣብ ጥቓ እዚ ዓይኒ ማይ ደው ኢለ ኣሎኹ፡ ኣዋልድ ደቂ እዛ ኸተማ ኸኣ ማይ ኪቐድሓ ይወጻ ኣለዋ። 14 ይኹን ከኣ፡ ማይ ክሰቲ፡ በጃኺ ዕትሮኺ ትሕት ኣብልዮ ዝብላ ጓል፡ ንሳ ኸኣ፡ ስተ፡ ነግማልካውን ከስትየን እየ እትብለኒ፡ ንሳ ንይስሃቅ ባርያኻ ዝመደብካያ ትኹን። ንጐይታይ ምሕረት ከም ዝገበርካሉ ኸኣ በዚ እፈልጥ።

15 ኰነ ኸኣ፡ ገና ዘረባኡ ኺይወድኤ፡ እንሃ፡ ርብቃ፡ ጓል ቤቱኤል ወዲ ሚልካ፡ ሰበይቲ ንሆር ሓዉ ኣብርሃም፡ ዕትሮኣ ኣብ መንኲባ ጾይራ ወጸት። 16 እታ ጓል ድማ ትርኢታ ኣዝያ ውቅብቲ፡ ሰብኣይ ዘይፈለጣ ድንግል ነበረት። ናብቲ ዓይኒ ማይ ወሪዳ ኸኣ ዕትሮኣ መሊኣ ደየበት። 17 እቲ ግዙእ ድማ ጐይዩ ተቓባቢሉ፡ ካብ ዕትሮኺ ኵታ ሒደት ማይ ኣስትይኒ፡ በለ። 18 ንሳ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ስተ፡ ኢላ ቐልጢፋ ዕትሮኣ ናብ ኢዳ ኣውሪዳ ኣስተየቶ። 19 ምስ ኣስተየቶ ድማ፡ ነግማልካውን ክሳዕ ዚኣኽለን ኪሰትያ ክቐድሓለን እየ፡ በለት። 20 ቀልጢፋ ኸኣ ዕትሮኣ ናብ ጋብላ ኣዕሪቓ ማይ ክትቀድሕ መሊሳ ናብ ዔላ ጐየየት፡ ንዅለን ኣግማሉ ኸኣ ቀድሓትለን። 21 እቲ ሰብኣይ ድማ እግዚኣብሄር መገዱ ኣቕኒዑሉ እንተ ኾነ ወይስ እንተዘይኰነ ኺፈልጥ፡ ስቕ ኢሉ ተኸዲኑ ይጥምታ ነበረ። 22 ኰነ ኸኣ፡ እተን ኣግማል ሰትየን ምስ ኣእከላ፡ እቲ ሰብኣይ ፈረቓ ሲቃል ዝሚዛኑ ቐለቤት ወርቅን ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ኽልተ ኣምባር ወርቂውን ነእዳዋ ኣውጽኤ፡ 23 ጓል መን ኢኺ፧ በጃኺ ንገርኒ፡ ኣብ ቤት ኣቦኺ እንሓድረሉ ስፍራዶ ይርከብ፧ ድማ በለ። 24 ንሳ ኸኣ፡ ኣነ ጓል ቤቱኤል፡ ወዲ ሚልካ ንናሆር ዝወለደትሉ፡ እየ፡ በለቶ። 25 መሊሳ ኸኣ፡ ብዙሕ ሓሰርን ድርቛን፡ ንመሕደሪ ኸኣ ስፍራ ኣሎና፡ በለቶ። 26 እቲ ሰብኣይ ድማ ፍግም ኢሉ ንእግዚኣብሄር ሰገደ። 27 በለ ኸኣ፡ እቲ፡ ምሕረቱን እምነቱን ካብ ጐይታይ ዘየቋረጸ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ጐይታይ ኣብርሃም፡ ይባረኽ። እግዚኣብሄር ንኣይ ከኣ ብመገዲ ቤት ኣሕዋት ጐይታይ መርሓኒ። 28 እታ ጓል ከኣ ጐይያ እዚ ነገርዚ ኣብ ቤት ኣዲኣ ነገረት።

29 ርብቃ ድማ ላባን ዝስሙ ሓው ነበራ። ላባን ከኣ ናብቲ ሰብኣይ ኣብ ግዳም ናብቲ ዓይኒ ማይ ጐየየ። 30 ኰነ ኸኣ፡ ነቲ ቀለቤትን ኣምባርን ኣብ ኢድ ሓብቱ ምስ ረአየ፡ ዘረባ ርብቃ ሓብቱ ድማ፡ እቲ ሰብኣይ ከምዚ ኢሉ ተዛረበኒ፡ ክትብል ምስ ሰምዔ፡ ናብቲ ሰብኣይ መጸ፡ እንሆ ኸኣ፡ ምስተን ኣግማል ኣብ ጥቓ ዔላ ደው ኢሉ ነበረ። 31 ኣታ ናይ እግዚኣብሄር ብሩኽ፡ ንምንታይ ኣብ ግዳም ደው ትብል፧ ቤት ኣዳልየልካ ኣሎኹ፡ ነግማልካ ኸኣ ሰፈር፡ እቶ፡ በሎ።

32 ሽዑ እቲ ሰብኣይ ናብ ቤት ኣተወ። ንሱ ድማ ነተን ኣግማል ኣራገፈን፡ ሓሰርን ድርቛን ከኣ ሀበን፡ ንምሕጻብ ኣእጋሩን ኣእጋር እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባትን ማይ ሀቦም። 33 መብልዕ ድማ ኣብ ቅድሚኡ

ተቐረበ፡ ንሱ ግና፡ ጕዳየይ ከይነገርኩስ ኣይበልዕን፡ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ተዛረብ፡ በለ። 34 ንሱ ድማ በለ፡ ኣነ
ግዙእ ኣብርሃም እየ። 35 እግዚኣብሄር ንጐይታይ ኣብዚሑ ባረኾን ኣዕበዮን፡ ኣባጊዕን ኣሓን ብሩርን
ወርቅን፡ ገላዉን ኣግራድን ኣግማልን ኣእዱግን ከኣ ሂብዎ ኣሎ። 36 ሳራ፡ ሰበይቲ ጐይታይ ድማ ምስ
ኣረገት፡ ንጐይታይ ወዲ ወለደትሉ፡ ንእኡ ኸኣ ዘለዎ ዅሉ ሂብዎ ኣሎ። 37 ጐይታይ ድማ ኽምዚ ኢሉ
ኣምሓለኒ፡ ካብ ኣዋልድ እዞም ኣነ ኣብ ምድሮም ዝነብር ዘሎኹ ከነኣናውያን፡ ንወደይ ሰበይቲ
ኣይተምጽኣሉ። 38 ናብ ቤት ኣቦይን ናብ ዓሌተይን ኬድካ ደኣ፡ ንወደይ ሰበይቲ ኣምጽኣሉ። 39 ሽዑ ኸኣ
እነ ንጐይታይ፥ ምናልባሽ እታ ሰበይቲ እንተ ዘይሰዓበትኒኸ፧ በልክዎ። 40 ንሱ ድማ በለኒ፡ እቲ ኣነ ኣብ
ቅድሚኡ ዝማላለስ እግዚኣብሄር መልኣኹ ምሳኻ ሰዲዱ መገድኻ ኬቕንዓልካ እዩ እሞ ንወደይ ካብ
ዓሌተይን ካብ ቤት ኣቦይን ሰበይቲ ኽተምጽኣሉ ኢኻ። 41 ናብ ዓሌተይ ምስ መጻእካ ድማ፡ ካብቲ
ማሕላይ ክትነጽህ ኢኻ፡ እንተ ዘይሀቡኻ፡ ሽዑ ኻብቲ ማሕላይ ንጹህ ትኸውን ኢኻ። 42 ሎሚ ኸኣ
ናብዛ ዓይኒ ማይ መጺኤ በልኩ፡ ኣታ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ጐይታይ ኣብርሃም፡ እዛ ኣነ ዝኸዳ ዘሎኹ
መገዲ ተቕንዓለይ እንተ ዄንካስ፡ 43 እንሆ፡ ኣነ ኣብ ጥቓ እዛ ዓይኒ ማይ ደው ኢለ ኣሎኹ፡ ማይ
ክትቀድሕ እትወጽእ ጓል፡ ኣነ ኸኣ፡ ካብ ዕትሮኺ ኹታ ሒደት ማይ ኣስትይኒ ዝብላ፡ 44 ንሳ ድማ፡ ስተ፡
ነግማልካውን ክቐድሓለን እየ እትብለኒ፡ ንሳ እታ እግዚኣብሄር ንወዲ ጐይታይ ዝመደባ ሰበይቲ ትኹን።
45 ኣነ ብልበይ ምዝራብ ከይወዳእኩ፡ እንሆ ርብቃ፡ ዕትሮኣ ኣብ መንኩባ ጾይራ፡ ወጸት፡ ናብ ዓይኒ ማይ
ወሪዳ ድማ ቀድሓት። ኣነ ኸኣ፡ ኣስትይኒ ኹታ፡ በልክዋ። 46 ቀልጢፋ ድማ ዕትሮኣ ኻብ መንኩባ
ኣውሪዳ፡ ስተ፡ ነግማልካውን ከስትየን እየ፡ በለት። ኣነ ሰቴኹ፡ ነተን ኣግማል ድማ ኣስተየተን። 47 ኣነ
ኸኣ፡ ኣቲ፡ ጓል መን ኢኺ፧ ኢለ ሐተትክዋ። ንሳ ኸኣ፡ ጓል ቤቱኤል ወዲ ናሆር፡ ሚልካ ዝወለደትሉ
እየ፡ በለት። ሽዑ ኣነ ቐለቤት ኣብ ኣፍንጫኣ፡ ኣምባር ደኣ ኣብ ኣእዳዋ ገበርኩላ። 48 ፍግም ኢለ ድማ
ንእግዚኣብሄር ሰገድኩሉ፡ ጓል ሓው ጐይታይ ንወዱ ኽወስድ ቅንዕቲ መገዲ ዝመርሓኒ ኣምላኽ
ጐይታይ ኣብርሃም ኣመስገንኩ። 49 ሕጂ ኸኣ ንጐይታይ ሞገስን እምነትን ትገብሩሉ እንተ ዄንኩም፡
ንገሩኒ። እንተዘይኰነ ድማ፡ ንየማን ወይስ ንጸጋም ክምለስ፡ ንገሩኒ። 50 ሽዑ ላባንን ቤቱኤልን፡ እዚ ነገር
እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ዝወጸ እዩ፡ ክፉእ ሓደው ጽቡቕ ክንዛረበካ ኣይንኽእልን። 51 እንሃ፡ ርብቃ ኣብ
ቅድሜኻ ኣላ፡ ውሰዳ እሞ ኺድ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ድማ፡ ሰበይቲ ወዲ ጐይታኻ ትኹን፡
ኢሎም መለሱሉ። 52 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ግዙእ ኣብርሃም ዘረባኦም ምስ ሰምዔ፡ ኣብ ምድሪ ተደፊኡ ሰገደ።
53 ድሕርዚ እቲ ግዙእ ኣቓሑ ብሩርን ኣቓሑ ወርቅን ክዳውንትን ኣውጺኡ ንርብቃ ሀባ። ንሓዋን ነዲኣን
ድማ ክቡር ነገር ሀቦም። 54 ንሱን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባትን ከኣ በሊዖም ሰትዮም ኣብኡ ሓደሩ።
ንጽብሒቱ ምስ ተንስኡ ኸኣ፡ ናብ ጐይታይ ክምለስ ኣፋንዉኒ፡ በለ። 55 ሓዋን ኣዲኣን ድማ፡ እዛ ጓል ገለ
ዓሰርተ መዓልቲ ምሳና ትቐኒ፡ ድሕሪኡ ትኺድ፡ በልዎ። 56 ንሱ ኸኣ፡ ኣይተደናጕዩኒ፡ እግዚኣብሄር
መገደይ ኣቕኒዑለይ እዩ፡ ናብ ጐይታይ ክኸይድ ስደዱኒ፡ በሎም። 57 ነታ ጓል ጸዊዕና ኻብ ኣፋ
ኽንሐትት፡ ከኣ በሉ። 58 ንርብቃ ጸዊዖም ድማ፡ ምስ እዚ ሰብኣይዚዶ ትኸዲ፧ በልዋ። ንሳ ድማ፡
እኸይድ፡ በለት። 59 ሽዑ ንርብቃ ሓብቶምን፡ ንመጕዚታን ነቲ ግዙእ ኣብርሃምን ንሰቡን ይኺዱ
ሓደግዎም። 60 ንሳቶም ንርብቃ፡ ኣቲ ሓብትና፡ ኣሻሕ ኣእላፋት ኩኒ፡ ዘርእኺ ድማ ደገ ጸላእቱ ይውረስ፡
ኢሎም መረቕዋ።

61 ርብቃ ኸኣ ምስ ኣግራዳ ኣብ ኣግማል ተወጢሔን ነቲ ሰብኣይ ሰዓባኦ። እቲ ግዙእ ድማ ንርብቃ
ወሰዳ እሞ ኸደ። 62 ይስሃቅ ከኣ ኣብ ምድሪ ደቡብ ተቐሚጡ ነበረ እሞ፡ ካብታ መገዲ ብኤርሓላይሮይ
ይመጽእ ነበረ። 63 ይስሃቅ ድማ ኣጋ ምሸት ኣብ መሮር ኰይኑ ብሓሳቡ ኼስተንትን ወጺኡ ነበረ። ኣዒንቱ

ኸኣ ቋሕ ኣበለ፡ እንሆ፡ ኣግማል ኪመጻ ረኣየ። 64 ርብቃ ድማ ኣዒንታ ቛሕ ኣቢላ፡ ንይስሃቅ ምስ ረኣየቶ፡
ቀልጢፋ ኻብ ገመል ወረደት። 65 ነቲ ግዙእ ድማ፡ እቲ ኣብ መሮር ኪቕበለና ዚመጽእ ዘሎ እንታዋይ
ሰብኣይ እዩ፧ በለቶ። እቲ ግዙእ ከኣ፡ ንሱ ጐይታይ እዩ፡ በለ። ሽዑ መጐልበቢኣ ወሲዳ ተጐልበበት። 66
እቲ ግዙእ ድማ ዝገበሮ ዅሉ ነገር ንይስሃቅ ኣዘንተወሉ። 67 ይስሃቅ ከኣ ናብ ድንኳን ኣዲኡ ሳራ ኣእተዋ።
ንርብቃ ድማ ወሰዳ እሞ ሰበይቱ ዀነት፡ ፈተዋውን። ይስሃቅ ከኣ ድሕሪ ሞት ኣዲኡ ተደበሰ።

# ምዕራፍ 25

1 ኣብርሃም ድማ መሊሱ ቈጡራ ዝስማ ሰበይቲ ኣእተወ። 2 ንሳ ኸኣ ንዚምራንን ዮቅሻንን ሜዳንን
ሚድያንን ይሽባቅን ሹኣሕን ወለደትሉ። 3 ዮቕሻን ድማ ንሸባን ዴዳንን ወለደ። ደቂ ዴዳን ከኣ ኣሹሪምን
ለጡሺምን ለኡሚምን እዮም። 4 ደቂ ሚድያን ድማ ኤፋን ኤፌርን ሓኖክን ኣቢዳዕን ኤልዳዕን እዮም።
እዚኣቶም ኵሎም ደቂ ቈጡራ እዮም።

5 ኣብርሃም ድማ ኵሉ ዘለዎ ንይስሃቅ ሀቦ። 6 ነቶም ውሉድ ኣንስቲ ወሰኑ ንኣብርሃም ግና ኣብርሃም
ህያባት ሂቡ፡ ገና ብህይወቱ ኸሎ፡ ካብ ወዱ ይስሃቅ ንሸነኽ ምብራቕ ኣቢሉ ናብ ምድሪ ምብራቕ
ሰደዶም። 7 ኣብርሃም ዝነበሮ ዘመን ዓመታት ህይወቱ ኸኣ እዚ እዩ፡ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን
ዓመት። 8 ኣብርሃም ድማ ጽቡቕ እርግና ኣሪጉ ዕድመ ጸጊቡ ትንፋሱ ወጸት ሞተውን፡ ናብ ህዝቡ ኸኣ
ተኣከበ። 9 ደቁ ይስሃቅን እስማኤልን ድማ ኣብታ ኣብ ግራት ኤፍሮን ወዲ ጾሓር ሔታዊ፡ ኣብ መንጽር
መምሬ ዘላ በዓቲ ማኽጴላ ቐበርዎ። 10 ኣብታ ኣብርሃም ካብ ደቂ ሔት እተሻየጣ ግራት፡ ኣብርሃምን
ሰበይቱ ሳራን ኣብኣ ተቐብሩ።

11 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ሞት ኣብርሃም ንወዱ ይስሃቅ ኣምላኽ ባረኾ። ይስሃቅ ከኣ ኣብ ብኤርሓላይሮይ
ይቕመጥ ነበረ።

12 ውለዶ እስማኤል ወዲ ኣብርሃም፡ ኣጋር፡ እታ ግብጻዊት ግዝእቲ ሳራ፡ ንኣብርሃም ዝወለደትሉ፡ እዚ
እዩ፡ 13 ስማት ደቂ እስማኤል በብስሞም ኣብ ወወለዶኦም እዚ እዩ፡ በዅሪ ወዲ እስማኤል ነባዮት፡ ድማ
ቄዳርን ኣድብኤልን ሚብሳምን፡ 14 ሚሽማዕን ዱማን ማሳን፡ 15 ሓዳርን ቴማን፡ የጡር፡ ናፊሽ፡ ቄድማ
ኸኣ። 16 እዚኣቶም ደቂ እስማኤል እዮም፡ እዚ ድማ እዩ ስሞም በብዓዶም፡ በብሰፈሮም፡ ዓሰርተው
ክልተ መሳፍንቲ ነንህዝቦም። 17 ዓመታት ህይወት እስማኤል ድማ ሚእትን ሰላሳን ሾብዓተን ዓመት
ኰነ። ትንፋሱ ወጸት እሞ ሞተ፡ ናብ ህዝቡ ኸኣ ተኣከበ። 18 ካብ ሓዊላ ኽሳዕ እታ ኣብ መንጽር ግብጺ
ዘሎ ሹር፡ በታ ንኣሶር እተእቱ፡ ሰፈሮም ነበሩ። ኣብ መንጽር ኵሎም ኣሕዋቱ ሰፈረ።

19 ወለዶ ይስሃቅ፡ ወዲ ኣብርሃም፡ ድማ እዚ እዩ፡ ኣብርሃም ንይስሃቅ ወለደ፡ 20 ይስሃቅ ድማ ንርብቃ፡
ጓል ቤቱኤል እቲ ሶርያዊ በዓል ጳዳንኣራም፡ ሓብቲ ላባን እቲ ሶርያዊ፡ ንሰበይቱ ኺእትዋ ኸሎ፡ ወዲ
ኣርብዓ ዓመት ኰይኑ ነበረ። 21 ይስሃቅ ድማ፡ ሰበይቱ ርብቃ መኻን ነበረት እሞ፡ ምእንትኣ
ንእግዚኣብሄር ለመነ። እግዚኣብሄር ከኣ ተለመኖ፡ ሰበይቱ ርብቃ ድማ ጠነሰት። 22 እቶም ቈልዑ ኸኣ
ኣብ ማሕጸና ይዳፋፍኡ ነበሩ። ሽዑ ንሳ፡ ከምዚ ኻብ ኰነ ደኣ፡ ንምንታይ እነብር ኣሎኹ፧ በለት።
ንእግዚኣብሄር ክትሓትት ድማ ኸደት። 23 እግዚኣብሄር ከኣ በላ፡ ኣብ ማሕጸንኪ ኽልተ ህዝቢ ኣለዉ፡
ካብ ከርስኺውን ክልተ ህዝቢ ኺፋላለዩ እዮም። እቲ ሓደ ህዝቢ ኻብቲ ኻልኣይ ህዝቢ ኺብርትዕ

እዩ። እቲ ዓብዪ ነቲ ንእሽቶ ኺግዝእ እዩ።

[24] ክትወልድ ኣዋርሓ ምስ በጽሔ ድማ፡ እንሆ፡ ኣብ ማሕጸና ማንታ ነበሩ። [25] እቲ ቐድም ዝወጸ ቐይሕ፡
ኵለንትናኡ ኸኣ ጸጒሪ ማቕ ዚመስል ነበረ። ስሙ ኸኣ ኤሳው ኣውጽኡሉ። [26] ድሕርዚ ድማ ሓዉ ወጸ፡
ኢዱ ኸኣ ኵርኾረ ኤሳው ሒዛ ነበረት፡ ስሙ ድማ ያእቆብ ተባህለ። ንሳ ኽትወልዶም ከላ ኸኣ፡ ይስሃቅ
ወዲ ስሳ ዓመት ኰይኑ ነበረ። [27] እቶም ቈልዑ ድማ ዐበዩ። ኤሳው ሃድን ዚፈልጥ ሰብኣይ መሮር ኰነ።
ያእቆብ ከኣ ኣብ ድንኳን ዚነብር ህዱእ ሰብኣይ ኰነ። [28] ይስሃቅ፡ ስጋ ሃድን መቐርዎ ነበረ እሞ፡ ንኤሳው
ይፈቱ ነበረ። ርብቃ ግና ንያእቆብ ትፈቱ ነበረት።

[29] ያእቆብ ጸብሒ ኺሰርሕ ከሎ፡ ኤሳው ደኺሙ ኻብ መሮር ኣተወ። [30] ሽዑ ኤሳው ንያእቆብ፡ ደኺመ
እየ እሞ፡ በጃኻ ካብዚ ቐይሕ ጸብሒ ኣብልዓኒ፡ በሎ። ስለዚ ስሙ ኤዶም ተባህለ። [31] ያእቆብ ከኣ፡
ሎሚ ብኹርናኻ ሽጠለይ፡ በሎ። [32] ኤሳው ድማ፡ እንሆ፡ ኣነ ኽመውት ኢለ ኣሎኹ፡ እዛ ብኹርናኽ
ንምንታይ እያ፧ በለ። [33] ያእቆብ ከኣ፡ ሎሚ ምሓለለይ፡ በለ እሞ መሐለሉ፡ ብኹርናኡውን ንያቆብ
ሸጠሉ። [34] ያእቆብ ድማ ንኤሳው እንጌራን ጸብሒ ብርስንን ገይሩ ሀቦ። ንሱ ድማ በሊዑን ሰትዩን
ተንስኤ ከደውን። ኤሳው ንብኹርናኡ ኸምዚ ገይሩ ነዐቓ።

# ምዕራፍ 26

[1] ብጀካ እቲ ቐዳማይ ብዘበን ኣብርሃም ዝኾነ ጥሜት ኣብታ ሃገር ካልእ ጥሜት ድማ ኾነ። ይስሃቅ
ከኣ ናብ ኣቢሜለክ፡ ንጉስ ፍልስጥኤማውያን፡ ናብ ጌራር ከደ። [2] እግዚኣብሄር ድማ ተራእዮ በሎውን፡
ናብ ግብጺ ኣይትውረድ፡ ኣብታ ኣነ ዝብለካ ምድሪ ደኣ ተቐመጥ። [3] እዛ ኵላ ሃገር ንኣኻን ንዘርእኻን
ክህበካ እየ እሞ፡ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ስደተኛ ኹንካ ተቐመጥ። ኣነ ኸኣ ምሳኻ ክኸውንን ክባርኸካን
እየ። እቲ ነቦኻ ኣብርሃም ዝመሐልኩሉ ማሕላ ድማ ከቕሞ እየ። [4-5] ኣብርሃም ቃለይ ስለ ዝሰምዔ፡ እቲ
ሐልዎ ኢለ ዝኣዘዝክዎ፡ ትእዛዛተይን፡ ስርዓታተይን ሕጋጋተይን ድማ ስለ ዝሐለወ፡ ንዘርእኻ ከም
ከዋኽብቲ ሰማይ ከብዝሖ እየ፡ ህዝብታት ኵላ ምድሪ ድማ ብዘርእኻ ኺባረኹ እዮም።

[6] ይስሃቅ ከኣ ኣብ ጌራር ተቐመጠ። [7] ሰብ እታ ቦታ ድማ ብዛዕባ ሰበይቱ ሐተትዎ። ንሳ ሓብተይ እያ፡
በለ። ትርኢታ ጽቡቕ ነበረ እሞ፡ ደቂ እዛ ቦታ እዚኣ ብዛዕባ ርብቃ ኸይቀትሉኒ ኢሉ፡ ሰበይተይ እያ
ምባል ፈርሄ። [8] ኰነ ኸኣ፡ ሓያሎ ወርሓት ኣብኡ ምስ ተቐመጠ፡ ኣቢሜለክ፡ ንጉስ ፍልስጥኤማያን፡
ብመስኰት ኪጥምት ከሎ፡ እንሆ ድማ ይስሃቅ ምስ ሰበይቱ ርብቃ ኪስሐቕ ረአዮ። [9] ኣቢሜለክ ከኣ
ንይስሃቅ ጸዊዑ፡ እንሆ ርግጽ ሰበይትኻ እያ፡ ከመይ ደኣ፡ ንሳ ሓብተይ እያ፡ዝበልካኒ፧ በሎ። ይስሃቅ
ከኣ፡ ብዛዕባኣ ኽይመውት ኢለ፡ በሎ። [10] ኣቢሜለክ ድማ፡ እዚ ዝገበርካና እንታይ እዩ፧ ሓደ ኻብ ህዝቢ
ምስ ሰበይትኻ ኺድቅስ ቀሪቡ ነይሩ እዩ እሞ በደል መምጻእካልና ኔርካ፡ በለ። [11] ኣቢሜለክ ከኣ ንኹሉ
ህዝቢ፡ ነዚ ሰብኣይዚ ወይ ንሰበይቱ ዝተንከየ፡ ሞት ኪመውት እዩ፡ ኢሉ ኣዘዘ። [12] ይስሃቅ ድማ ኣብታ
ምድሪ እቲኣ ዘርኤ፡ በታ ዓመት እቲኣ፡ ኸኣ ሚእቲ ኻዕበት ረኸበ። እግዚኣብሄር ድማ ባረኾ። [13] እቲ
ሰብኣይ እቲ ኸኣ ዐበየ፡ ኣዝዩ ኽሳዕ ዚዐዝዝ ድማ እናወሰኸ ኸደ። [14] ጥሪት ኣባጊዕን ጥሪት ኣሓን
ብዙሓት ግዙኣትን ነበርዎ። ፍልስጥኤማውያን ድማ ቀንኡሉ። [15] ሽዑ ፍልስጥኤማያን፡ ነቲ ግዙኣት
ኣቦኡ ብዘበን ኣቦኡ እብርሃም ዝኾዐትዎ ኹሉ ዔላታት ደበይዎ፡ ሓመድ ከኣ መልእዎ። [16] ኣቢሜለክ

ድማ ንይስሃቅ፡ ካባና ኣዚኻ ሐይልካ ኢኻ ኣሞ፡ ካባና ኺድ፡ በሎ።

17 ይስሃቅ ከኣ ካብኡ ኸይዱ ኣብ ለሰ ጌራር ሰፈረ፡ ኣብኡ ኸኣ ተቐመጠ። 18 ነቲ ብዘበን ኣቦኡ ኣብርሃም
ዝኾዐትዎ ዔላታት ማይ ድማ፡ ፍልስጥኤማውያን ድሕሪ ሞት ኣብርሃም ዝደበይዎ፡ ይስሃቅ መሊሱ
ኾዐቶ፡ ስሙ ድማ በቲ ኣቦኡ ዘውጽኣሉ ስም ሰመዮ። 19 ግዙኣት ይስሃቅ ድማ ኣብቲ ለሰ ኾዐቱ፡ ኣብኡ
ኸኣ ፈልፋሊ ዔላ ማይ ረኸቡ። 20 ጓሶት ጌራር ከኣ ምስ ጓሶት ይስሃቅ፡ እዚ ማይና እዩ፡ኢሎም ተበኣሱ።
ምስኡ ስለ እተበኣሱ ድማ፡ ስም እቲ ዔላ ዔሰቅ ኣውጽኣሉ። 21 ካልእ ዔላ ኸኣ ኰዐቱ፡ ብዛዕባኡውን
ተበኣሱ እሞ ስሙ ሲጥና ኣውጽኣሉ። 22 ካብኡ ድማ ገዐዘ፡ ካልእ ዔላውን ኰዐተ፡ ብዛዕባኡ ግና
ኣይተበኣሱን፡ ሕጅስ እግዚኣብሄር ኣርሒቡልና እዩ እሞ፡ ኣብዚ ሃገር ክንፋረ ኢና፡ ኢሉ ኸኣ ስሙ
ረሓቦት ኣውጽኣሉ። 23 ካብኡ ኸኣ ንብኤርሸባዕ ደየበ። 24 በታ ለይቲ እቲኣ ድማ እግዚኣብሄር ተራእዮ፡
ኣነ ኣምላኽ ኣቦኻ ኣብርሃም እየ፡ ኣነ ምሳኻ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ምእንቲ ኣብርሃም ባርያይ ኢለ ድማ
ክባርኸካ፡ ንዘርእኻውን ከብዝሖ እየ፡ በሎ። 25 ኣብኡ መሰውኢ ሰሪሑ ኸኣ፡ ብስም እግዚኣብሄር
ተማህለለ፡ ኣብኡውን ድንኳኑ ተኸለ። ግዙኣት ይስሃቅ ድማ ኣብኡ ዔላ ኾዓቱ።

26 ኣቢሜለክ ድማ ምስ ኣሑዛት ፈታዊኡን፡ ፊኮል ሓለቓ ሰራዊቱን፡ ካብ ጌራር ናብኡ ኸደ። 27 ይስሃቅ
ከኣ፡ ጸሊእኩምንስ ካባኻትኩም ከኣ ሰጒጒኩምኒ፡ ንምንታይ ደኣ መጻእኩምኒ፤ በሎም። 28-29 ንሳቶም
ድማ በሉ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ ኸም ዘሎ፡ ኣርጊጽና ርኢና ኢና እሞ፡ ከምቲ ንሕና ዘይተንኬናካ፡ ጽቡቕ
ጥራይ ከም ዝገበርናልካ፡ ብሰላም ድማ ኣፋኖናካ፡ ንስኻ ድማ ንኣና ኸፉእ ከይትገብረና፡ ንሕናን ንስኻን
ንሓድሕድና ንማሓሐል ምሳኻ ኸኣ ኪዳን ንእቶ፡ በልና። ሕጂ ንስኻ ናይ እግዚኣብሄር ብሩኽ ኢኻ። 30
ንሱ ኸኣ ምሳሕ ገበረሎም፡ እሞ በልዑን ሰተዩን። 31 ንጽብሒቱ ንግሆ ተንሲኦም ድማ ንሓድሕዶም
ተማሓሓሉ፡ ይስሃቅ ከኣ ኣፋነዎም፡ ካብኦም ድማ ብሰላም ከዱ። 32 ኰነ ኸኣ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ
ግዙኣት ይስሃቅ መጺኦም፡ ብዛዕባ እቲ ዝኾዐትዎ ዔላ፡ ማይ ረኺብናሉ፡ ኢሎም ነገርዎ። 33 ንሱ ድማ
ንእኡ ሺብዓ ኢሉ ኣውጽኣሉ። ስለዚ ስም እታ ኸተማ ኽሳዕ ሎሚ ብኤርሸባዕ እዩ።

34 ኤሳው ወዲ ኣርብዓ ዓመት ምስ ኰነ ድማ፡ ንይሁዲት ጓል ብኤሪ ሔታውን ንበስማት ጓል ኤሎን
ሔታውን ኣንስቲ ኣእተወ። 35 እዚኣተን ከኣ ንይስሃቅን ንርብቃን ጓሂ ልቢ ኾናኦም።

# ምዕራፍ 27

1 ኰነ ድማ፡ ይስሃቅ ኣሪጉ ኣዒንቱ ጽልግልግ ኢለን ምርኣይ ምስ ሰኣና፡ ንኤሳው ነቲ ዓብዪ ወዱ ጸዊዑ፡
ኣታ ወደይ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ፡ በሎ። 2 ሽዑ ንሱ፡ እንሆ፡ ሕጂ ኣሪገ እየ፡ መዓልቲ ሞተይ ድማ
ኣይፈልጥን እየ። 3 ሕጂ በጃኻ መሳርያኻ፡ ጒልድባኻን ቀስትኻን፡ ውሰድ እሞ ንመሮር ወፈርካ፡ ሀዲንካ
ኣምጽኣለይ፡ 4 ከይሞትኩ ነፍሰይ ምእንቲ ክትምርቐካስ ኣነ፡ ዝፈትዎ ጥዑም ብልዒ ኽበልዕ፡ ሰሪሕካ
ኣምጽኣለይ፡ በለ። 5 ርብቃ ኸኣ ይስሃቅ ንወዱ ኤሳው ኪዛረቦ ኸሎ ሰምዔት። ኤሳው ድማ ሀዲኑ
ኺምጽእ ናብ መሮር ወፈረ።

6-7 ርብቃ ኸኣ ንወዳ ያእቆብ ከምዚ ኢላ ተዛረበቶ፡ እንሆ፡ ኣቦኻ ንሓውካ ኤሳው፡ በሊዔ ቕድሚ ሞተይ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክምርቐካስ፡ ሀዲንካ ጥዑም ብልዒ ጌርካ ኣምጽኣለይ፡ ኢሉ ኺዛረቦ ሰሚዔዮ
ኣሎኹ። 8 ሕጂ ድማ ወደየ፡ ከምቲ ኣነ ዝእዝዘካ ቓለይ ስማዕ። 9 ናብተን መጓሰ ኺድካ፡ ካብኡ ኽልተ

ጽቡቓት መሓስእ ኣምጽኣለይ። ኣነ ኸኣ ንኣታተን ከምቲ ኣቦኻ ዚፈትዎ ጥዑም ብልዒ ገይረ ኽሰርሓሉ።
10 ንሱ ድማ በሊዑ፡ ቅድሚ ሞቱ ምእንቲ ኺምርቐካስ፡ ነቦኻ ኸተእትወሉ። 11 ያእቆብ ከኣ ነዲኡ ርብቃ፡
እንሆ፡ ሓወይ ኤሳው ጸጓር ሰብኣይ እዩ፡ ኣነ ግና ልሙጽ ሰብኣይ እየ። 12 ምናልባሽ ኣቦይ
እንተኣረምሰሰንስ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኸም ጠባሪ ኺይከውን፡ ኣብ ልዕለይ ከኣ መርገም ኤምጽእ እምበር፡
ምርቓስ ኣይኰነን፡ በለ። 13 ኣዲኡ ድማ፡ ወደይ፡ መርገምካስ ኣባይ ይብጻሕ፡ ቃለይ ግዳ ስማዕ፡ ኬድካ
ኣምጽኣለይ፡ በለቶ። 14 ከይዱ ድማ ወሰደን፡ ነዲኡውን ኣምጽኣላ፡ ኣዲኡ ኸኣ ኣቦኡ ዚፈትዎ፡ ጥዑም
ብልዒ ኣዳለወት። 15 ርብቃ ድማ እቲ ምሳኣ ኣብ ቤት ዝነበረ ጽቡቕ ክዳውንቲ ኤሳው፡ እቲ ዓብዪ ወዳ፡
ወሲዳ፡ ያእቆብ፡ ነቲ ንእሽቶ ወዳ፡ ከደነቶ። 16 ኣብ ኣእዳዉን እብቲ ልሙጽ ክሳዱን ድማ ቈርበት እተን
መሓስእ ጠምጠመትሉ። 17 እቲ ጥዑም ብልዕን እቲ ዝሰንከተቶ እንጌራን ገይራ፡ ንወዳ ያእቆብ ኣብ ኢዱ
ሀበቶ።

18 ንሱ ኸኣ ናብ ኣቦኡ ኣትዩ፡ ኣቦየ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ እኔኹ ወደይ፡ መን ኢኻ ንስኻ፧ በለ። 19 ያእቆብ
ከኣ ነቦኡ፡ ኣነ ኤሳው በዅርኻ እየ። ከምቲ ዝበልካኒ ገይረ ኣሎኹ እሞ ነፍስኻ ምእንቲ ኽትምርቐንስ፡
ተንሲእካ ኰፍ በል፡ ካብዚ ሃድነይ ድማ ብላዕ፡ በሎ። 20 ይስሃቅ ከኣ ንወዱ፥ ከመይ ኢልካ
ኽንድዚ ብቕልጡፍ ረኺብካ፡ ወደይ፧ በሎ። ንሱ ድማ፥ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ቅድመይ
ኣጋባጊቡለይ፡ በለ። 21 ይስሃቅ ከኣ ንያቆብ፥ ወደይ፡ ብሓቂ ንስኻ ወደይ ኤሳው እንተ ዄንካ ወይ እንተ
ዘይኴንካ ኽረምስሰካስ፡ ቅረብ፡ በሎ። 22 ያእቆብ ድማ ናብ ኣቦኡ ይስሃቅ ቀረበ። ኣረምሲሱ ኸኣ፡
ድምጽስ ድምጺ ያእቆብ እዩ፡ እእዳው ግና ኣእዳው ኤሳው፡ በለ። 23 ንሱ ድማ፡ ኣእዳው ኸም ኣእዳው
ኤሳው ሓዉ ጸጓራት ነበራ እሞ፡ ኣየለለዮን፡ መረቖ ኸኣ። 24 ብሓቂዶ ንስኻ ወደይ ኤሳው ኢኻ፧ ድማ
በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣነ እየ፡ በለ። 25 ነፍሰይ ምእንቲ ኽትምርቐካስ፡ ካብቲ ሃድን ወደይ ከበልዕ ኣቕርበለይ፡
ድማ በለ። ኣቕረበሉ፡ በልዔ ድማ፡ ወይኒ ውን ሀቦ እሞ ሰተየ። 26 ኣቦኡ ይስሃቅ ድማ፡ ወደይ፡ ቀሪብካባ
ስዐመኒ በሎ። 27 ቀሪቡ ሰዐሞ፡ ጨና ኽዳኑ ኣጨንዩ ኸኣ፡ ከምዚ ኢሉ መረቖ፡ እንሆ፡ መኣዛ ወደይ ከም
መኣዛ እታ እግዚኣብሄር ዝባረኻ ግራት እዩ። 28 ኣምላኽ ከኣ ካብ ኣውሊ ሰማይን ካብ ስብሒ ምድርን
ብዙሕ ስርናይን ወይንን ይሀብካ። 29 ህዝብታት ይገዝኡኻ፡ ህዝብታት ድማ ይስገዱልካ፡ ጐይታ
ኣሕዋትካ ኹን፡ ደቂ እኖኻ ድማ ይስገዱልካ። ዚረግመካ ርጉም፡ ዚምርቐካ ድማ ምሩቕ ይኹን።

30 ኰነ ኸኣ፡ ይስሃቅ ንያእቆብ ምርቓኡ ምስ ወድኤ፡ ያእቆብ ድማ ካብ ቅድሚ ኣቦኡ ይስሃቅ ብኡብኡ
ውጽእ ምስ በለ፡ ኤሳው ሓዉ ኸኣ ካብ ሃድን ኣተወ። 31 ንሱውን ጥዑም ብልዒ ኣዳለዩ፡ ናብ ኣቦኡ
ኣምጽኡ፡ ነቦኡ ድማ፡ ኣቦየ፡ ነፍስኻ ምእንቲ ኽትምርቐንስ፡ ተንስእ እሞ ካብቲ ሃድን ወድኻ ብላዕ፡
በሎ። 32 ኣቦኡ ይስሃቅ ከኣ፡ ንስኻ መን ኢኻ፧ በሎ። ንሱ ድማ፡ ኣነ ኤሳው ቦዅሪ ወድኻ እየ፡ በለ። 33
ሽዑ ይስሃቅ ኣዝዩ ብርቱዕ ስምባድ ሰምበደ እሞ፡ እቲ ሀዲኑስ ሀዱን ዘምጽኣለይ፡ ኣነ ኸኣ፡ ገና ንስኻ
ኸይመጻእካ፡ ካብ ኵሉ በሊዔ ዝመረቕክዎ ደኣ መን እዩ፧ ምሩቕ ድማ ኪኸውን እዩ፡ በለ። 34 ኤሳው
ዘረባ ኣቦኡ ምስ ሰምዔ፡ ኣዝዩ ዓው ኢሉ መሪር ገዓር ገዐረ፡ ነቦኡ ኸኣ፡ ኣቦየ፡ ንኣይ ድማ መርቐኒ፡
በሎ። 35 ንሱ ድማ፡ ንምርቓኻስ ሓውካ ብተንኰል መጺኡ ወሲድዎ፡ በለ። 36 ኤሳው ከኣ፥ ክልተ ሳዕ
ጠቢሩኒ፡ ብዅርናይ ወሰደ፡ ሕጂ ኸኣ እንሆ፡ ምርቓይ ወሰደ። ስሙዶ ግዳ ያእቆብ ኣይኰነን፧ ንኣይከ
ምርቓዶ ኣየትረፍካለይን ኢኻ፧ ድማ በሎ። 37 ይስሃቅ ከኣ መለሱ ንኤሳው፡ እንሆ፡ ጐይታኻ ገበርክዎ፡
ኵሎም ኣሕዋቱ ኸኣ ግዙኣቱ ኪኾኑ ሀብክዎ፡ ብስርናይን ወይንን ከኣ ኣጸጎኽዎ፡ ሕጂ እሞ ወደይ፡
ንኣኻ እንታይ ክገብረልካ እየ፧ በሎ። 38 ኤሳው ድማ ነቦኡ፥ ኣቦየ፡ ሓንቲ ምርቓ ጥራይዶ ኰይና ዘላትካ፧

ኣቦየ፡ ንኣይ ድማ መርቐኒ ደኣ፡ በሎ። ኤሳው ከኣ ዓው ኢሉ በኸየ። 39 ይስሃቅ ኣቦኡ ድማ መሊሱ በሎ፡
እንሆ ንብረትካ ብስብሒ ምድርን ብናይ ላዕሊ ኣውሊ ሰማይን ኪኸውን እዩ። 40 ብሴፍካ ኽትምገብ፡
ንሓውካ ድማ ኽትግዛእ ኢኻ። ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ኵለል ምስ በልካ፡ ኣርዑቱ ኻብ ክሳድካ ኽትሰብር
ኢኻ።

41 ኤሳው ድማ፡ ብዛዕባቲ ኣቦኡ ዝሀቦ ምርቓ፡ ንያእቆብ ጸልኦ። ኤሳው ከኣ ብልቡ፥ ነቦይ እንሐዝነሉ
ቕንያት ቀሪቡ እዩ እሞ፡ ሽዑ ንያእቆብ ሓወይ ክቐትሎ እየ፡ በለ። 42 ንርብቃ ድማ ዘረባ ኤሳው ዓብዪ
ወዳ ነገርዋ። ነቲ ንእሽቶ ወዳ ያእቆብ ከኣ ልኢኻ ጸዊዓ፡ እንሆ፡ ኤሳው ሓውካ ብኣኻ ኺድበስ ኢሉ
ኪቐትለካ ይደሊ ኣሎ። 43 ሕጂ ኸኣ ወደይ፡ ቃለይ ስማዕ፡ ተንስእ እሞ ናብ ሓወይ ላባን፡ ናብ ካራን
ህደም። 44-45 ነድሪ ሓውካ ኽሳዕ ዚምለስ፡ ኵራ ሓውካ ኻባኻ ተመሊሱ፡ እቲ ዝገበርካዮ ድማ ክሳዕ
ዚርስዖ፡ ገለ መዓልትታት ምስኡ ተቐመጥ። ሽዑ ልኢኸ ኻብኡ ኽምጽኣካ እየ። ስለምንታይ
ንኽልቴኹም ብሓንቲ መዓልቲ ዝስእነኩም፧ በለቶ። 46 ርብቃ ኸኣ ንይስሃቅ፡ ብምኽንያት ኣዋልድ ሔት
ህይወተይ ደኺመት። ያእቆብ ድማ ካብ ኣዋልድ ሔት፡ ካብ ኣዋልድ እዛ ሃገር እዚኣ፡ ከምዚኣተን
ዘመሰለት ሰበይቲ ዜእቱ እንተ ዀይኑ፡ ስለምንታይ ኣነ ብህይወት እነብር፧ በለቶ።

## ምዕራፍ 28

1 ሽዑ ይስሃቅ ንያእቆብ ጸዊዑ መረቖ፡ ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞ፥ ካብ ኣዋልድ ከነኣን ሰበይቲ ኣይተእቱ፡ 2
ተንሲእካ፡ ናብ ጳዳንኣራም፡ ናብ እንዳ ኣቦሓጎኻ ቤቱኤል ኪድ እሞ፡ ካብኡ ኸኣ ካብ ኣዋልድ ኣኮኻ
ላባን ሰበይቲ ኣእቱ። 3 እቲ ዅሉ ዚኽእል ኣምላኽ ድማ ይባርኽካን የፍሪኻን የብዝሕካን፡ ጭፍራ
ህዝብታትውን ኩን። 4 እዛ ተሰዲድካላ ዘሎኻ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ንኣብርሃም ዚሀቦ ምድሪ ምእንቲ
ኽትወርሳ፡ ንኣኻን ምሳኻ ድማ ንዘርእኻን በረኸት ኣብርሃም ይሀብካ። 5 ይስሃቅ ከኣ ንያእቆብ ሰደዶ።
ንሱ ድማ ናብ ጳዳንኣራም፡ ናብ ላባን ወዲ ቤቱኤል እቲ ሶርያዊ ሓዉ ርብቃ ኣደ ያእቆብን ኤሳውን፡
ከደ።

6 ኤሳው ከኣ ይስሃቅ ንያእቆብ ከም ዝመረቖ እሞ ካብኡ ሰበይቲ ኺእቱ ድማ ናብ ጳዳንኣራም ከም
ዝሰደዶ፡ ኪምርቖ ኸሎ ኸኣ፡ ካብ ኣዋልድ ከነኣን ሰበይቲ ኣይተእቱ፡ ኢሉ ኸም ዝኣዘዞ፡ 7 ያእቆብ ድማ
ነቦኡን ነዲኡን ሰሚዑ ናብ ጳዳንኣራም ከም ዝኸደ፡ ምስ ረአየ፡ 8 ኤሳው ከኣ ኣዋልድ ከነኣን ነቦኡ ይስሃቅ
ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኸም ዘጕህያኦ ረአየ። 9 ሽዑ ኤሳው ናብ እስማኤል ከይዱ ኣብ ልዕሊ እተን ኣንስቱ
ንማሓላት፡ ጓል እስማኤል ወዲ ኣብርሃም ሓብቲ ነባዮት፡ ሰበይቲ ኣእተወ።

10 ያእቆብ ከኣ ካብ ብሔርሸባዕ ወጺኡ፡ ናብ ካራን ኣቢሉ ኸደ። 11 ጸሓይ ዐሪባ ነበረት እሞ፡ ኣብ ሓንቲ
ቦታ ምስ በጽሔ፡ ኣብኣ ሐደረ። ካብ ኣእማን እታ ቦታ ወሲዱ ድማ፡ ተተርኢስዋ፡ ኣብታ ቦታ ደቀሰ። 12
ሐለመ ኸኣ እሞ እንሆ፡ መሳልል ኣብ ምድሪ ደው ኢሉ፡ ርእሱ ድማ ሰማይ ጠንቀቍ፡ እንሆ ኸኣ፡
መላእኽቲ ኣምላኽ ይድይቡሉን ይወርዱሉን ነበሩ። 13 እንሆ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢሉ
በሎ፥ ኣነ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ኣቦኻ ኣብርሃምን ኣምላኽ ይስሃቅን እየ። እዛ ንስኻ ኣብ ልዕሊኣ
ደቂስካላ ዘሎኻ ምድሪ ንኣኻን ንዘርእኻን ክህባ እየ። 14 ዘርእኻ ድማ ከም ሓመድ ምድሪ ኪኸውን እዩ፡
ንምዕራብን ንምብራቕን ንሰሜንን ንደቡብን ክትሰፍሕ ኢኻ። ኵሎም ዓሌታት ምድሪ ኸኣ ብኣኻን

ዘርእኻን ኪባረኹ እዮም። 15 እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ምሳኻ እየ፡ እቲ ዝበልኩኻ ኽሳዕ ዝገብሮ ኣይሐድገካን እየ
እሞ፡ ኣብ እትኸዶ ዅሉ ኽሕልወካ እየ፡ ናብዛ ምድሪ እዚኣ ድማ ክመልሰካ እየ።

16 ያእቆብ ከኣ ካብ ድቃሱ ተባራበረ እሞ፡ ኣነ ደኣ ኣይፈለጥኩን ነይረ እምበር፡ ብሓቂ እግዚኣብሄር
ኣብዛ ቦታ እዚኣ ኣሎ፡ በለ። 17 ፈሪሁ ድማ፡ እዛ ቦታ እዚኣ ኽንደይ ተፍርህ እያ። እዚኣ ቤት ኣምላኽ
እያ እምበር፡ ካልእ ኣይኰነትን፡ እዚኣ ኸኣ ደገ ሰማይ እያ፡ በለ። 18 ያእቆብ ድማ ንጽብሒቱ ኣንጊሁ
ተንስኤ፡ ነቲ ኣብኣ ተተርኢስዎ ዝነበረ እምኒ ወሲዱ ሓወልቲ ኪኸውን ኣቘሞ፡ ኣብ ርእሱ ኸኣ ዘይቲ
ኸዐወሉ። 19 ስም እታ ቦታ እቲኣ ኸኣ ቤትኤል ኣውጽኣላ፡ ቀደም ግና ስም እታ ኸተማ ሉዝ ይብሀል
ነበረ። 20 ያእቆብ ድማ ከምዚ ኢሉ መብጽዓ ተማባጽዔ፡ እግዚኣብሄር ምሳይ እንተ ዀነ፡ ኣብዛ ዝኸዳ
ዘሎኹ መገደይ ከኣ እንተ ሐለወኒ፡ ዝበልዖ እንጌራን ዝኽደኖ ኽዳንን ድማ እንተ ሀበኒ፡ 21 ናብ ቤት
ኣቦይውን ብደሓን እንተ ተመለስኩ፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ይኸውን። 22 እዚ ሓወልቲ ገይረ
ኣቕመዮ ዘሎኹ እምኒ ኸኣ ቤት ኣምላኽ ኪኸውን እዩ። ካብ እትህበኒ ዘበለ ዅሉ ድማ ዕሽር ክህበካ
እየ።

# ምዕራፍ 29

1 ያእቆብ ድማ ንመገሻኡ ተልዒሉ ናብ ሃገር ደቂ ምብራቕ ከደ። 2 ጠመተ እሞ እንሆ ኸኣ፡ ዔላ ኣብ
መሮር ነበረ፡ ኣብቲ ዔላ ድማ መጓሴታት የስትዩ ነበሩ እሞ፡ እንሆ፡ ኣብኡ ሰለስተ መጓሰ ኣባጊዕ ደቂሰን
ነበራ። ኣብ ኣፍ እቲ ዔላ ዝነበረ እምኒ ኸኣ ዓብዩ ነበረ። 3 ንዅለን መጓሴታት ድማ ናብኡ ይእከብወን
ነበሩ። ነቲ እምኒ ኻብ ኣፍ እቲ ዔላ ገምጢሎም ከኣ፡ ነተን ኣባጊዕ የስትይወን ነበሩ፡ ነቲ እምኒ ድማ
ናብ ኣፍ እቲ ዔላ ኣብ ቦታኡ ይመልስዎ ነበሩ። 4 ያእቆብ ከኣ፡ ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ካበይ ኢኹም፧
በሎም። ካብ ካራን ኢና፡ በልዎ። 5 ንሱ ድማ፡ ንላባን ወዲ ናሆርዶ ትፈልጥዎ ኢኹም፧ በሎም። እወ
ንፈልጦ፡ በሉ። 6 ደሓንዶ ኣሎ፧ ከኣ በሎም። ደሓን ኣሎ፡ ራሄል ጓሉ እኳ እንሃ፡ ምስተን ኣባጊዕ ትመጽእ
ኣላ፡ በሉ። 7 ንሱ ኸኣ፡ እንሆ፡ መዓልቲ ገና ነዋሕ ኣላ፡ ከብቲ ዚእከባላ ጊዜ ኣይኰነትን። ነዘን ኣባጊዕ
ኣስትይወን እሞ ኬድኩም ኣብልዕወን፡ በሎም። 8 ንሳቶም ድማ፡ ኵለን መጓሴታት ከይተኣከባ፡ ነቲ እምኒ
ኸኣ ካብ ኣፍ እቲ ዔላ ኸይገልበጥዎ፡ ኣይንኽእልን፡ ሽዑ ነተን ኣባጊዕ ነስትየን በሉ።

9 ራሄል ባዕላ ትጓሲ ነበረት እሞ፡ ንሱ ገና ምሳታቶም ኪዛረብ ከሎ፡ እንሃ፡ ምስ ኣባጊዕ ኣቦኣ መጸት። 10
ኰነ ኸኣ፡ ያእቆብ ንራሄል ጓል ላባን ኣኮኡን ነባጊዕ ኣኮኡ ላባንን ምስ ረአየ፡ ቀሪቡ ነቲ እምኒ ኻብ ኣፍ
እቲ ዔላ ገልበጦ፡ ነባጊዕ ኣኮኡ ላባን ድማ ኣስተየን። 11 ያእቆብ ከኣ ንራሄል ሰዐማ፡ ቃሉ ዓው ኣቢሉውን
በኸየ። 12 ያእቆብ ድማ ንራሄል፡ ንሱ ዘመድ ኣቦኣ፡ ወዲ ርብቃ፡ ምዃኑ ነገራ። ንሳ ኸኣ ጐይያ ነቦኣ
ነገረቶ። 13 ኰነ ኸኣ፡ ላባን ወረ ያእቆብ ወዲ ሓብቱ ምስ ሰምዔ፡ ኪቕበሎ ጐየየ፡ ሐቝፉ ሰዐሞ፡ ናብ
ቤቱ ድማ ኣእተዎ። እዚ ነገርዚ ዅሉውን ንላባን ነገሮ። 14 ላባን ከኣ፥ ብሓቂ ንስኻ ዓጽመ ስጋይ ኢኻ፡
በሎ። ወርሒ ዚኣክልውን ምስኡ ተቐመጠ።

15 ላባን ድማ ንያእቆብ፡ ሓወይ ክንዲ ዝዀንካዶ ብኸምኡ ኽትግዝኣኒ፧ ዓስብኻ ደኣ እንታይ ምዃኑ
ንገረኒ፡ በሎ። 16 ላባን ከኣ ኽልተ ኣዋልድ ነበራኦ፡ ስም እታ ዓባይ ልያ፡ ስም እታ ንእሽቶ ኸኣ ራሄል
ነበረ። 17 ኣዒንቲ ልያ ጨምጫማት ነበራ፡ ራሂል ግና መልክዔኛ፡ ትርኢታውን ውቅብቲ ነበረት። 18

ያእቆብ ድማ ንራሄል ፈተዋ እሞ፡ ምእንቲ ራሄል፡ እታ ንእሽቶ ጓልካ፡ ሾብዓተ ዓመት እግዝኣካ፡ በለ። 19
ላባን ከኣ ንኻልእ ሰብኣይ ካብ ዝህባ፡ ንኣኻ ኽህባ ይሐይሽ፡ ምሳይ ተቐመጥ፡ በሎ። 20 ያእቆብ ከኣ
ምእንቲ ራሄል ሾብዓተ ዓመት ተገዝኤ፡ ንእኣ ብምፍታው ከኣ ከም ሒዶት መዓልቲ ኾይነን ተራእያኦ።

21 ያእቆብ ከኣ ንላባን፡ መዓልትታተይ በጺሔን እየን እሞ፡ ከእትዋ ሰበይተይ ሀበኒ፡ በሎ። 22 ሽዑ ላባን፡
ንዅሎም ሰብ እታ ቦታ ኣኪቡ ምሳሕ ገበረ። 23 ምሸት ምስ ኮነ ድማ ልያ ጓሉ ወሲዱ፡ ናብኡ ኣእተዋ፡
ንሱ ኸኣ ናብኣ ኣተወ። 24 ላባን ድማ ንልያ ጓሉ፡ ግዝእቲ ኽትኮና፡ ዚልጳ ግዝእቱ ሀባ። 25 ኮነ ድማ፡
ንጽብሒቱ እንሃ፡ ንሳ ልያ ነበረት። ንላባን ከኣ፡ እንታይ እዩ ዝገበርካኒ፤ ምእንቲ ራሄልዶ ኣይኮንኩን
እተገዛእኩኻ፡ ስለምንታይ ደኣ ጠበርካኒ፤ በሎ። 26 ላባን ድማ፡ ኣብ ሃገርና ንእሽቶ ቐድሚ እታ በዅሪ
ምሃብ፡ ከምኡ ኣይግበርን እዩ። 27 ናይ እዚኣ ሰሙን መልእ እሞ ስለ እቲ ኽም ብሓድሽ ምሳይ ካልእ
ሾብዓተ ዓመት እትግዝኦ መግዛእቲ፡ እቲኣ ድማ ንህበካ፡ በለ። 28 ያእቆብ ከኣ ከምኡ ገበረ፡ ናይ እዚኣ
ሰሙን መልኤ። ደሓር ራሄል ጓሉ ሰበይቲ ኽትኮኖ ሀቦ። 29 ላባን ድማ ንራሄል ጓሉ፡ ግዝእቲ ኽትኮና፡
ቢልሃ ግዝእቱ ሀባ። 30 ናብ ራሄል ድማ ኣተወ፡ ንራሄል ከኣ ሐለፋ ልያ ፈተዋ። መሊሱ ድማ ካልእ
ሾብዓተ ዓመት ምስኡ ተገዝኤ።

31 እግዚኣብሄር ከኣ ልያ ኸም እተጸልኤት ርእዩ፡ ማሕጸና ኸፈተላ። ራሄል ግና መኻን ነበረት። 32 ልያ
ድማ ጠነሰት ወዲውን ወለደት። እግዚኣብሄር መከራይ ርእዩ እዩ እሞ፡ ሕጅስ ሰብኣየይ ኪፈትወኒ እዩ፡
ኢላ ስሙ ሮቤል ኣውጽኣትሉ። 33 መሊሳ ኸኣ ጠነሰት ወዲውን ወለደት፡ እግዚኣብሄር ከም ዝተጸላእኩ
ሰሚዑ እዩ እሞ፡ እዚ ድማ ሀበኒ፡ ኢላ ስሙ ስምኦን ኣውጽኣትሉ። 34 መሊሳ ኸኣ ጠነሰት ወዲውን
ወለደት፡ ሰለስተ ወዲ ወሊደሉ እየ እሞ፡ ሕጅስ ሰብኣየይ ኣባይ ኪለግብ እዩ፡ በለት። ስለዚ ስሙ ሌዊ
ተባህለ። 35 መሊሳ ኸኣ ጠነሰት ወዲውን ወለደት፡ ሕጂ ንእግዚኣብሄር ኤመስግኖ፡ በለት። ስለዚ ስሙ
ይሁዳ ኣውጽኣትሉ። ካብ ምላድ ከኣ ኣቋረጸት።

## ምዕራፍ 30

1 ራሄል ድማ ንያእቆብ ከምዘይወለደትሉ ምስ ረአየት፡ ንሓብታ ቐንኣትላ፡ ንያእቆብ ከኣ፡ ውሉድ ሀበኒ፡
እንተ ዘይኮነስ እመውት አለኹ፡ በለቶ። 2 ሽዑ ኹራ ያእቆብ ኣብ ራሄል ነዲዱ፡ ኣነዶ ኣብ ክንዲ እቲ
ፍረ ኸርሲ ዝኸልኣኪ ኣምላኽ እየ፤ በላ። 3 ንሳ ኸኣ፥ እንሃ፡ ቢልሃ ግዝእተይ፡ ንሳ ኣብ ብርከይ
ክትወልድ፡ ብእኣ ድማ ኣነ ኽፉረ፡ ናብኣ እቶ፡ በለት። 4 ንቢልሃ ግዝእታ ኸኣ ሰበይቱ ኽትከውን ሀበቶ።
ያእቆብ ድማ ኣእተዋ። 5 ቢልሃ ጠነሰት፡ ንይእቆብ ድማ ወዲ ወለደትሉ። 6 ሽዑ ራሄል፡ ኣምላኽ ፍትሒ
ኣውጺኡለይ፡ ቃለይ ሰሚዑውን ወዲ ሂቡኒ፡ በለት። ስለዚ ስሙ ዳን ኣውጽኣትሉ። 7 ቢልሃ ግዝእቲ
ራሄል ከኣ መሊሳ ጠነሰት፡ ንያእቆብ ካልኣይ ወዲ ወለደትሉ። 8 ሽዑ ራሄል፡ ቅልስ ኣምላኽ ምስ ሓብተይ
ተቓሊሰ ሐየልኩ፡ በለት። ስሙ ኸኣ ንፍታሌም ኣውጽኣትሉ። 9 ልያ ኸኣ ካብ ምላድ ከም ዘቛረጸት ምስ
ረአየት፡ ዚልጳ ግዝእታ ወሲዳ፡ ንያእቆብ ሰበይቱ ኽትከውን ሀበቶ። 10 ዚልጳ ግዝእቲ ልያ ድማ ንያእቆብ
ወዲ ወለደትሉ። 11 ሽዑ ልያ፡ ኣሰይ፡ ኢላ ስሙ ጋድ ኣውጽኣትሉ። 12 ዚልጳ ግዝእቲ ልያ ንያእቆብ
ካልኣይ ወዲ ድማ ወለደትሉ። 13 ልያ ኸኣ፡ ርሕስቲ ኾይነ እየ እሞ፡ ኣዋልድ ብራሕሰይ ይውድሳኒ፡
በለት። ስሙ ድማ ኣሴር ኣውጽኣትሉ።

[14] ሮቤል ድማ በቲ ስርናይ ዝዐጽደሉ ወርሓት ከይዱ ኣብ መሮር ምልዖ ረኸበ፡ ናብ ኣዲኡ ልያ ኣምጽኦ። ሽዑ ራሄል ንልያ፥ ካብዚ ምልዖ ወድኺ ኹታ ሀብኒ፡ በለታ። [15] ንሳ ኸኣ፡ ሰብኣየይ ዝወሰድክለይዶ ንእሽቶ ነገር እዩ፧ ምልዖ ወደይ እንዶ ድማ ክትወስዲ፧ በለታ። ራሄል ከኣ፡ እሞ ኣብ ክንዲ ምልዖ ወድኺ እዛ ለይቲ እዚኣ ምሳኺ ይደቅስ፡ በለት። [16] ምሸት ያእቆብ ካብ መሮር ኪአቱ ኸሎ ድማ፡ ልያ ኽትቅበሎ ወጺኣ፡ ብምልዖ ወደይ ዐዲገካ እየ እሞ፡ ናባይ ኢኻ እትኣቱ፡ በለቶ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ኸኣ ምስኣ ደቀሰ። [17] ኣምላኽ ድማ ንልያ ሰምዓ፡ ጠነሰት፡ ንያእቆብ ከኣ ሓምሳይ ወዲ ወለደትሉ። [18] ልያ ድማ፡ ግዝእተይ ንሰብኣየይ ክንዲ ዝሀብኩ፡ ኣምላኽ ዓስበይ ሀበኒ፡ በለት። ስሙ ኸኣ ይሳኮር ኣውጽኣትሉ። [19] ልያ ድማ መሊሳ ጠነሰት፡ ንያእቆብ ከኣ ሳድሳይ ወዲ ወለደትሉ። [20] ልያ ድማ፡ ኣምላኽ ጽቡቕ ህያብ ሂቡኒ፡ ሕጂ ሹድሽተ ወዲ ወሊደሉ እየ እሞ፡ ደጊም ሰብኣየይ ምሳይ ኪነብር እዩ፡ በለት። ስሙ ኸኣ ዛብሎን ኣውጽኣትሉ። [21] ድሕርዚ ድማ ጓል ወለደት፡ ስማ ኸኣ ዲና ኣውጽኣትላ።

[22] ኣምላኽ ድማ ንራሄል ዘከራ። ኣምላኽ ሰምዓ እሞ ማሕጸና ኸፈተላ። [23] ንሳ ድማ ጠነሰት ወዲውን ወለደት፥ ኣምላኽ ሕስራነይ ኣርሐቐ፡ ከኣ በለት። [24] እግዚኣብሄር ካልእ ወዲ ድማ ይወስኸኒ፡ ኢላ ኸኣ ስሙ ዮሴፍ ኣውጽኣትሉ።

[25] ኰነ ኸኣ፡ ራሄል ንዮሴፍ ምስ ወለደት፡ ያእቆብ ንላባን፥ ናብ ቦታይን ናብ ምድረይን ክኸይድ ኣሳናብተኒ። [26] እተን ብዛዕባኤን እተገዛእኩኻ ኣንስተይን ደቀይን ሀበኒ። እቲ እተገዛእኩኻ መግዛእቲ ባዕልኻ ትፈልጦ ኢኻ እሞ፡ እኺድ ሕደገኒ፡ በሎ። [27] ላባን ድማ፥ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ረኺበስ፡ እግዚኣብሄር ምእንታኻ ኢሉ ኸም ዝባረኸኒ ኣስተውዒለ ኣሎኹ፡ በሎ። [28] ዓስብኻ ቊጸረለይ እሞ እህበካ፡ ድማ በለ። [29] ንሱ ኸኣ፥ ከመይ ከም ዘገልገልኩኻን ከብትኻውን ምሳይ ከመይ ከም ዝኾናን፡ ባዕልኻ ትፈልጥ ኢኻ። [30] ኣነ ኸይመጻእኩ ሒደት ነበራኻ፡ ሕጂ ግና ኣነ ኣብ ዝኸድክዎ ኹሉ እግዚኣብሄር ባሪኹካ እዩ እሞ፡ ኣዝዩን በዝሓ። ሕጂ ኸኣ ንቤተይ ደኣ ምኣዝ ከምህዝ እየ፧ በሎ። [31] ንሱ ድማ፥ እንታይ እሞ ኺህበካ፧ በለ። ያእቆብ ከኣ፥ ገለኳ ኣይትሀበኒ። እዚ ነገርዚ እንተ ትገብረለይ መሊሰ ነባጊዕካ እጓስየን እከናኸነንውን። [32] ሎሚ ብኹለን መጓሴኻ ኽሐልፍ እየ፡ ካብኡ ኸኣ ኲለን ጸነጺትን ዓምቦሬታትን ኲለን ጸለምትን ኣባጊዕ፡ ካብ ኣጣል ድማ ቡረቴታትን ጸነጺትን ዘበላ ኽፈሊ እየ እሞ ዓስበይ ይኹና። [33] ድሕሪ ሎሚ ድማ ብዛዕባ ዓስበይ ምስ እትመጽእ፡ ሽዑ ቕንዕናይ ኣብ ቅድሜኻ ኺምስክረለይ እዩ። ጸነጺትን ቡረቴታትን ዘይኰና ኣጣል፡ ጸለምቲ ዘይኰና ኣባጊዕ ከኣ ኣባይ እንተ ተረኺባ፡ ስሩቓት እየን፡ በለ። [34] ላባን ከኣ፡ ሕራይ፡ ከምቲ ዘረባኻ ይኹን፡ በለ። [35] በታ መዓልቲ እቲኣ እቶም ዑፌታትን ቡረቴታትን ወጣጡ፡ ኲለን ቡረቴታትን ጸነጺትን ኣጣል፡ ገለ ጻዕዳ ዘለወን ኲለን፡ ካብ ኣባጊዕ ድማ ኲለን ጸለምቲ ፈልዩ፡ ኣብ ኢድ ደቁ ሀቦም። [36] ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ያእቆብን ከኣ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ኣርሓሐቐ። ያእቆብ ድማ ነተን ዝተረፋ መጓሰ ላባን ይጓሲ ነበረ።

[37] ያእቆብ ከኣ ክርዋሕን ሉዝን ሑዳን ካብ ዚብህል ኣእዋም ጥሉል ኣባትር ወሲዱ፡ ኣብኡ ቕላጥ ቀሊጡ ነቲ ኣባትር ዕሮርባይ ገበሮ። [38] ነቲ ዕሮርባይ ዝገበሮ ኣባትር ድማ ኣብቲ እተን መጓሴታት መጺኤን ዚሰትያሉ ዛራ ማይ ዘሎ ጋብላታት፡ ኣብ ቅድሚ እተን መጓሰ ገበሮ እሞ፡ ኪሰትያ ምስ መጻ፡ ይትለዋ ነበራ። [39] እተን መጓሰ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣባትር ተተልዋ እሞ እተን መጓሴታት ዑፌታትን ጸነጺትን ዓምቦሬታትን ወለዳ። [40] ሽዑ ያእቆብ ነተን ዕያውቲ ፈልዩ፡ ገጽ እተን መጓሰ ናብተን ዑፌታትን ኲለን ጸለምትን ኣብ መጓሰ ላባን ገበረ፡ ንመጓሴኡ ኸኣ ምስ መጓሰ ላባን ኣይሐወሰንን፡ ንበይነን ደኣ ገበረን። [41] ኰነ ድማ፡ በቲ እተን ጽዓኛታት ኣባጊዕ ዚትለዋሉ ዘበለ ጊዜ ኣብ ጥቓ እቲ ኣባትር ምእንቲ ኺትለዋስ፡

ያእቆብ ነቲ ኣባትር ኣብቲ ጋብላታት ኣብ ቅድሚ እተን መጓሰ የንብሮ ነበረ። 42 እተን መጓሰ ድኹማት
ከለዋ ግና ኣየንብሮን ነበረ። በዚ ኸምዚ ኸኣ እተን ድኹማት ንላባን፡ እተን ድዓኖታት ከኣ ንያእቆብ
ኰና። 43 እቲ ሰብኣይ እቲ ድማ ኣዝዩ ሀብተመ። ብዙሓት መጓሴታት ገላዉን ኣግራድን ኣግማልን
ኣእዱግን ነበሮ።

# ምዕራፍ 31

1 ደቂ ላባን ድማ፡ እቲ ናይ ኣቦና ዝነበረ ኹሉ ያእቆብ ወሰዶ፡ ኵሉ እዚ ኽብረት እዚ ኸኣ ካብቲ ናይ
ኣቦና ዝነበረ ንሱ ዝረኸቦ እዩ፡ ኢሎም ኪዛረቡ ሰምዔ። 2 ያእቆብ ድማ ገጽ ላባን ጠመተ፡ እንሆ፡ ከም
ቀደሙ ምስኡ ኣይነበረን። 3 እግዚኣብሄር ከኣ ንያእቆብ ናብ ምድሪ ኣቦታትካን ናብ ዓሌትካን ተመለስ
እሞ ምሳኻ ክኸውን እየ፡ በሎ። 4 ያእቆብ ድማ ልኢኹ ንራሄልን ንልያን ናብተን መጓሴኡ ናብ መሮር
ጸውዔን፡ 5 በለን ከኣ፡ ገጽ ኣቦኽን ከም ቀደሙ ምሳይ ከም ዘይኰነ፡ ኣነ እርኢ ኣለኹ፡ ኣምላኽ ኣቦይ ግና
ምሳይ ነበረ። 6 ነቦኽን ብምሉእ ሓይለይ ከም ዘገልገልክዎ ኸኣ፡ ባዕልኻትክን ትፈልጣ ኢኽን። 7 ኣቦኽን
ደኣ ዓሰበይ ዓሰርተ ሳዕ እናለዋወጠ ኣታለለኒ፡ እግዚኣብሄር ግና ክፉእ ኪገብረኒ ኣይፈቐደሉን። 8 ንሱ፡
ዓምቦሬታት ዘበላ ዓስብኻ ይኹን፡ ምስ በለኒ፡ ኵለን መጓሰ ዓምቦሬታት ወለዳ። ዓስብኻ ዑፌታት
ይኹና፡ ምስ በለ ኸኣ፡ ኵለን መጓሰ ዑፌታት ወለዳ። 9 ኣምላኽ ከምዚ ገይሩ ማል ኣቦኽን ኣግዲፉ ንኣይ
ሀበኒ። 10 ኰነ ኸኣ፡ በቲ እተን መጓሰ ዝትለዋሉ ጊዜ ዓይነይ ቋሕ እንተ ኣበልኩ ብሕልሚ ርኤኹ፡ እንሆ፡
ነተን ጤለበጊዕ ዚሰርወን ተባዕትዮ ዑፌታትን ጻነጺትን ጨቦሬታትን ነበሩ። 11 መልኣኽ ኣምላኽ ድማ
ብሕልሚ፡ ያእቆብ፡ በለኒ። ኣነ ኸኣ፡ እኔኹ፡ በልኩ። 12 ንሱውን፡ ዓይንኻ ቋሕ ኣብል እሞ እዞም ነዘን
ጤለበጊዕ ዚሰርወን ዘለዉ ኹሎም ተባዕትዮ ዑፌታትን ጻነጺትን ጨቦሬታትን ርኤ። እቲ ላባን ዝገበረካ
ኹሉ ርእየዮ ኣሎኹ። 13 እቲ ኣብቲ ሓወልቲ ዝቐባእካሉን፡ ኣብኡ ድማ መብጽዓ እተማባጻዕካለይን
ኣምላኽ ቤትኤል፡ ኣነ እየ። ሕጂ ተንስእ እሞ ካብዛ ምድሪ እዚኣ ወጺእካ ናብታ ተወለድካላ ሃገር
ተመለስ፡ በለኒ። 14 ራሄልን ልያን ከኣ፡ ደጊምዶ ኣብ ቤት ኣቦና ግደ ወይ ርስቲ ኣልዩና፧ 15 ሽይጡና እዩ
እሞ፡ ከም ጓኖትዶ ቈጺሩና ኣይኰነን፧ ነቲ ገንዘብና ድማ በልዖ። 16 እቲ ኣምላኽ ካብ ኣቦና ዝወሰዶ ኹሉ
ሃብቲ፡ ንሱ ናትናን ናይ ደቅናን እዩ እሞ፡ ሕጂ ኸኣ ኣምላኽ ዝበለካ ኹሉ ግበር፡ ኢለን መለሳሉ።

17 ሽዑ ያእቆብ ተንሲኡ ደቁን ኣንስቱን ኣብ ኣግማል ኣወጥሔ። 18 ናብ ኣቦኡ ይስሃቅ ናብ ምድሪ ኸነኣን
ኪኸይድ፡ ኵለን ማሉን ኵሉ ዘጥረዮ ገንዘቡን፡ እተን ኣብ ጳዳንኣራም ዘጥረየን ማሉ ወሰደ። 19 ላባን ከኣ
ኣባጊዑ ኪቘርጽ ከይዱ ነበረ፡ ራሄል ድማ ጣኦታት ኣቦኣ ሰረቐት። 20 ያእቆብ ድማ ከም ዚሀድም ንላባን፡
እቲ ሶርያዊ፡ ከይነገረ መሊቑ ኸደ። 21 ዘለዎ ኹሉ ሒዙ ኸኣ ሀደመ፡ ተንሲኡ ድማ ርባ ተሳገረ፡ ገጹ ኸኣ
ናብ ከረን ጊልዓድ ኣቢሉ ኣቕንዔ። 22 ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ ያእቆብ ከም ዝሀደመ ንላባን ነገርዎ።
23 ሽዑ ኣሕዋቱ ምስኡ ወሰደ፡ ደድሕሪኡ ድማ መገዲ ሾብዓተ መዓልቲ ሰዐቦ። ኣብ ከረን ጊልዓድ ከኣ
ኣርከቦ። 24 ኣምላኽ ግና ብሕልሚ ለይቲ ናብ ላባን፡ እቲ ሶርያዊ፡ መጺኡ፡ ንያእቆብ ጽቡቕ ኰነ ኽፉእ
ከይትዛረቦ ተጠንቀቕ፡ በሎ።

25 ላባን ከኣ ንያእቆብ ኣርከቦ። ያእቆብ ከኣ ድንኳኑ ኣብ ከረን ተኺሉ ነበረ፡ ላባን ምስ ኣሕዋቱ ድማ
ድንኳኑ ኣብ ከረን ጊልዓድ ተኸለ። 26 ላባን ከኣ ንያእቆብ በሎ፡ እንታይ እዩ ዝገበርካዮ፧ ልበይ ጠቢርካዶ
ነዋልደይ ብሴፍ ከም እተማረኻ ከብከብካየን፧ 27 ስለምንታይ ካባይ ተሰሪቕካ፡ ከይነገርካኒ ድማ

ተሓቢእካ ዝሀደምካ፧ ብሓጎስን ብመዝሙርን ብኹበሮን ብመሰንቆን መፋኖኹኻ ነይረ። [28] ነወዳተይን ነዋልደይን ክስዕሞም እኳ ኣይሐደግካንን። ሕጂ እዚ ብዕሽነት ኢኻ ዝገበርካዮ። [29] ክፉእ ክገብረኩም ኣብ ኢደይ ስልጣን ኣሎኒ። ኣምላኽ ኣቦኹም ግና ትማሊ ለይቲ፥ ንያእቆብ ጽቡቕ ኰነ ኽፉእ ከይትዛረቦ ተጠንቀቕ፡ ኢሉ ተዛሪበኒ። [30] ሕጂ ኸኣ ቤት ኣቦኻ ኣዚኻ ኻብ ናፈቕካ፡ ምኻድሲ ኸድካ፡ ስለምንታይ ደኣ ኣማልኽተይ ሰረቕካ፧ [31] ያእቆብ ድማ ንላባን፡ ኣዋልድካ ብሓይሊ ኸይተግድፈኒ ኢለ ፈራህኩ። [32] እቲ ኣማልኽትኻ እተረኽቦ ግና ንሱ ይሙት። ምሳይ ዘሎ ናትካ ዘበለ፡ ኣብ ቅድሚ ኣሕዋትና ጕርጕርካ፡ ንኣኻ ውሰዶ፡ ኢሉ መለሰሉ። ያእቆብ፡ ራሄል ከም ዝሰረቐቶም ኣይፈለጠን ነበረ። [33] ላባን ድማ ናብ ድንኳን ያእቆብን ናብ ድንኳን ልያን ናብ ድንኳን ክልቲኤን ግዙኣትን ኣተወ፡ ግናኸ ኣይረኸቦምን። ካብ ድንኳን ልያ ወጺኡ ናብ ድንኳን ራሄል ኣተወ። [34] ራሄል ድማ ነቶም ጣኦታት ወሲዳ ኣብ ኰረሻ ገመል ኣንቢራ ኣብ ልዕሊኦም ኮፍ በለት። ላባን ንብድንኳኑ ጕርጕሮ፡ ኣይረኸቦምን ከኣ። [35] ንሳ ኸኣ ነቦኣ፥ ጐይታይ፡ እቲ ናብ ኣንስቲ ዚኸውን መጺኡኒ እዩ እሞ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሓፍ ክብል ኣይክእልን እየ፡ ኣይትኹረየለይ በለቶ። ንሱ ኸኣ ደለየ፡ ነቶም ጣኦታት ግና ኣይረኸቦምን።

[36] ሽዑ ያእቆብ ተናዲዱ ንላባን ተበኣሶ፡ ያእቆብ ንላባን መሊሱ በሎ፡ እቲ ነዲርካ ደድሕረይ ዝገስገስካስ፡ እንታይ እዩ በደለይ፧ እንታይከ እዩ ሓጢኣተይ፧ [37] ሕጂ ንዅሉ ኣቕሓይ ጕርጕርካ፡ ካብ ዅሉ ኣቓሑ ቤትካ እንታይ ረኺብካ፧ ኣብ መንጎ ኽልቴና ኺፈርዱስ፡ ኣብዚ ኣብ ቅድሚ ኣሕዋተይን ኣሕዋትካን ኣምጽኣዮ። [38] እዘን ዕስራ ዓመት ምሳኻ ነይረ፡ ጤለበጊዕካ ኣየቝልዓን ድዓውል መጓሴኻ ድማ ኣይበላዕኩን። [39] ኣራዊት ዝሓዞ ኸኣ ኣብ ክንድኣ ባዕለይ ተካእኩልካ እምበር፡ ኣየምጻእኩልካን። መዓልቲ እተሰርቀትንን ለይቲ እተሰርቀትንን ድማ ካብ ኢደይ ትደልያ ነበርካ፡ [40] ከምዚ እየ ዝነበርኩ፡ ብመዓልቲ ሃሩር ብለይቲውን ኣስሓይታ በልዓኒ፡ ድቃስ ከኣ ካብ ዓይነይ በረረ። [41] እዘን ዕስራ ዓመት ኣብ ቤትካ ነበርኩ። ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት ምእንቲ ኽልቲኤን ኣዋልድካ፡ ሹድሽተ ዓመት ድማ ምእንቲ ኣባጊዕካ ተገዛእኩኻ፡ ዓስበይ ከኣ ዓኣሰርተ ሳዕ ለዋወጥካ። [42] ኣምላኽ ኣቦይ፡ እቲ ይስሃቕ ዚፈርሆ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ምሳይ እንተ ዘይህሉስ፡ ብርግጽ ሕጂ ጥራይ ኢደይ ምሰደድካኒ ኔርካ። እግዚኣብሄር ግና እቲ መከራይን ድኻም ኢደይን ርእዩ፡ ትማሊ ለይቲ ገንሓካ።

[43] ላባን ድማ መሊሱ ንያእቆብ በሎ፡ እዘን ኣዋልድ ኣዋልደይ እየን፡ ቈልዑውን ቈለውዔይ እዮም፡ እዘን መጓሴታት ከኣ መጓሴታተይ እየን፡ እዚ እትርእዮ ዘሎኻ ዅሉ ድማ ናተይ እዩ። ሎሚ ኸኣ ነዘን ኣዋልደይ ወይ ነዞም ዝወለዳኦም ደቀን እንታይ እሞ ኽገብር፧ [44] ሕጂ ድማ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ምስክር ኪኸውንሲ፡ ንዓ ኣነን ንስኻን ኪዳን ንተኣታቶ። [45] ያእቆብ ከኣ እምኒ ወሲዱ ሓወልቲ ኪኸውን ተኸሎ። [46] ያእቆብ ድማ ነሕዋቱ፡ ኣእማን ኣክቡ፡ በሎም። ንሳቶምውን ኣእማን ኣኪቦም ጨርሒ ጨርሑ፡ ኣብኡ ከኣ ኣብቲ ጨርሒ በልዑ። [47] ላባን ድማ ይጋርሰሃዱታ ኣውጽኣሉ፡ ያእቆብ ከኣ ጋልዔድ ኣውጽኣሉ። [48] ላባን ድማ፡ ሎሚ እዚ ጨርሒ እዚ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ምስክር ይኹን፡ በለ። ስለዚ ስሙ ጋልዔድ ተባህለ። [49] ንሓድሕድና ኻብ ዘይንርእኤ፡ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ይፋቓ፡ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ሚጽጳ ድማ ተባህለ። [50] ነዘን ኣዋልደይ እንተ ገፋዕካየን ወይ ኣብ ልዕሊ ኣዋልደይ ካልኦት ኣንስቲ እንተ ኣእቶኻ፡ ምሳና ሰብ የልቦን፡ ርኤ፡ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ምስክር እዩ። [51] ላባን ድማ መሊሱ ንያእቆብ በሎ፡ እንሆ እዚ ጨርሒ፡ እንሆ እቲ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ዝተኸልክዎ ሓወልቲ ድማ፡ [52] ኣነ ነዚ ጨርሒ እዚ ኸይሐልፈካ፡ ንስኻውን ነዚ ጨርሒ እዝን ነዚ ሓወልቲ እዝን ንኽፍኣት ከይትሐልፈኒ፡ ነዚ ጨርሒ እዚ ምስክር ይኹን፡ እዚ

ሓወልቲ እዚውን ምስክር ይኹን። 53 ኣምላኽ ኣብርሃምን ኣምላኽ ናሆርን፡ ኣምላኽ ኣቦኦም፡ ኣብ መንጎና ይፍረድ። ያእቆብ ድማ በቲ ፍርሃት ኣቦኡ ይስሃቅ መሓለ። 54 ያእቆብ ኣብቲ ኸረን መስዋእቲ ሕሩድ ሰውኤ፡ ነሕዋቱ ኸኣ እንጌራ ኺበልዑ ጸውዖም። እንጌራ በሊዖም ድማ ኣብቲ ኸረን ሐደሩ። 55 ላባን ከኣ ንጽብሒቱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ነወዳቱን ነዋልዱን ድማ ስዒሙ መረቖም። ላባን ከኣ ከይዱ ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

# ምዕራፍ 32

1 ያእቆብ ድማ መገዱ ኸደ፡ መላእኽቲ እግዚኣብሄር ከኣ ተጓነፍዎ። 2 ያእቆብ ምስ ረአዮም ድማ፡ እዚ ጭፍራ እምላኽ እዩ፡ በለ። ነታ ቦታ እቲኣ ኸኣ መሃናይም ኣውጽኣላ። 3 ያእቆብ ድማ ናብ ኤሳው ሓዉ፡ ናብ ሃገር ስዒር ኣብ ምድሪ ኤዶም ቀቅድሚኡ ልኡኻት ሰደደ። 4 ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፡ ንጐይታይ ኤሳው፡ ግልያኻ ያእቆብ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በልዎ፡ ምስ ላባን ተቐሚጠ ነበርኩ፡ ክሳዕ ሕጂውን ደንጐኹ። 5 ኣብዑርን ኣእዱግን ጤለበጊዕን ገላዉን ኣግራድን ኣለዉኒ። ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ምእንቲ ኽረክብ ድማ፡ እዚ ንጐይታይ ኪነግር ለኣኽኩ።

6 እቶም ልኡኻት ከኣ ናብ ያእቆብ ተመሊሶም፡ ናብ ሓውካ ኤሳው በጺሕና፡ ንሱን ምስኡ ድማ ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብኣይ ኪቃባበለካ ይመጽእ ኣሎ፡ በልዎ። 7 ሽዑ ያእቆብ ኣዝዩ ፈርሄ ተጨነቐውን። ምስኡ ንዝነበሩ ሰብን ጤለበጊዕን ኣሓን ኣግማልን ድማ ኣብ ክልተ ጋንታ መቐለ፡ 8 ኤሳው ናብዚ ሓደ ጋንታ መጺኡ እንተወቕዖ፡ እቲ ዝተረፈ ጋንታ ይድሕን፡ በለ።

9 ያእቆብ ድማ በለ፡ ዎ ኣምላኽ ኣቦይ ኣብርሃምን ኣምላኽ ኣቦይ ይስሃቅን፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ናብ ሃገርካን ናብ ዓሌትካን ተመለስ እሞ፡ ጽቡቕ ክገብረልካ እየ፡ ዝበልካኒ፡ 10 እዚ ንባርያኻ ጌርካዮ ዘሎኻ ኹሉ ለውሃትን ኵሉ እምነትን ዘይግብኣኒ እዩ። እዛ ዮርዳኖስ እዚኣ ብበትረይ እየ እተሳገርክዋ፡ ሕጂ ግና ክልተ ጋንታ ኰይነ ኣሎኹ። 11 መጺኡ፡ ነደ ምስ ደቂ ኸይወቕዓኒ፡ እፈርሆ ኣሎኹ እሞ፡ በጃኻ ኻብ ኢድ ሓወይ፡ ካብ ኢድ ኤሳው ኣድሕነኒ። 12 ንስኻ ድማ፡ ብዙሕ ጽቡቕ ክገብረልካ እየ፡ ንዘርእኻውን ካብ ብዝሑ እተላዕለ ኪቝጸር ዘይከኣል፡ ከም ሑጻ ባሕሪ ኽገብሮ እየ፡ ኢልካ ኣሎኻ። 13 በታ ለይቲ እቲኣ ኣብኡ ሐደረ። ኣብ ኢዱ ኻብ ዘሎ ኹሉ ድማ ንኤሳው ሓዉ ገጽ በረኸት ወሰደ፡ 14 ክልተ ሚእቲ ጤልን ዕስራ ድቤላን፡ ክልተ ሚእቲ በጊዕን ዕስራ ድዑልን፡ 15 ሰላሳ እተጥቡ ገመል መምስ ውላደን፡ ኣርብዓ ላምን ዓሰርተ ኣርሓን፡ ዕስራ ኣድግን ዓስርተ ዒሉን፡ 16 እዚኣተን በብመጋርያኤን ከፋፊሉ ኣብ ኢድ ግዙኣቱ ሀቦም። ንግዙኣቱ ኸኣ፡ መጋርያ ንመጋርያ ኣረሓሒቕኩም ቀቅድመይ ሕለፉ፡ በሎም። 17 ነቲ ቐዳማይ፡ ሓወይ ኤሳው ምስ ተጓነፈካ እሞ፡ ናይ መን ኢኻ ናበይከ ትኸይድ ኣሎኻ፧ እዘን ቀቅድሜኻ ዘለዋኸ ናይ መን እየን፧ ኢሉ እንተ ሐተተካ፡ 18 ናይ ግልያኻ ያእቆብ ንጐይታይ ኤሳው ገጽ በረኸት ዝሰደደን እየን፡ ንሱ ድማ እንሆ፡ ብድሕሬና ኣሎ በሉ፡ ኢሉ ኣዘዞ። 19 ከምኡ ኸኣ ነቲ ኻልኣይን ነቲ ሳልሳይን፡ ነቶም መጓሴታት ዚኽብክቡ ኹሎምን ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ ንኤሳው ምስ ረኸብኩምዎ፡ ከምዚ ዘረባዚ ተዛረብዎ፡ 20 ግልያኻ ያእቆብ ድማ፡ በዚ ቐቅድመይ ዚኸይድ ዘሎ ገጽ በረኸት ከዝሕሎ እየ። ድሕሪኡ ኸኣ ገጹ እርኢ፡ ምናልባሽ ብጽቡቕ እንተ ተቐበለኒ ኢሉ፡ እንሆ ደድሕሬና ኣሎ፡ በሉ። 21 በዚ ኸምዚ እቲ ገጽ በረኸት ቀቅድሚኡ ሐለፈ። ንሱ ኸኣ በታ ለይቲ እቲኣ ኣብቲ ሰፈር ሐደረ። 22 በታ ለይቲ እቲኣ ኸኣ ተንሲኡ ኽልቲኤን ኣንስቱን ክልቲኤን ግዙኣቱን ዓሰርተው ሓደ ደቁን ወሲዱ መሳገሪ

ያቦቅ ተሳገረ። 23 ወሲዱ ርባ ኣሳገረን፡ ዘለዎ ዘበለ ኹኣ ኣሳገረ።

24 ያእቆብ ግና በይኑ ተረፈ። ሓደ ሰብኣይ ድማ ምድሪ ኽሳዕ ዚወግሕ ተቓለሶ። 25 ንሱ ኸኣ ከም
ዘይከኣሎ ምስ ረኣየ፡ ምሕኩልቱ ተንከዮ፡ ኪቃለሶ ኸሎ፡ ምሕኩልቲ ያእቆብ ተቘጸ። 26 እቲ ሰብኣይ
ድማ፡ ምድሪ ይወግሕ ኣሎ እሞ፡ ሕደገኒ፡ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ከይባረኽካንስ ኣይሐድገካን እየ፡ በለ። 27
ሽዑ ንሱ፡ እንታይ እዩ ስምካ፧ በሎ። ያእቆብ፡ በለ። 28 ንሱ ኸኣ፡ ምስ ኣምላኽን ምስ ሰብን ተቓሊስካ
ኣሕሚቕካ ኢኻ እሞ፡ ደጊም ስምካ እስራኤል ደኣ እምበር፡ ያእቆብ ኣይብሀልን፡ በሎ። 29 ያእቆብ ድማ፡
በጃኻ ስምካ ንገረኒ፡ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ ኸኣ፡ ስለምንታይ ብዛዕባ ስመይ ትሐትት፧ በለ። ኣብኡ ድማ
ባረኾ። 30 ያእቆብ ከኣ፡ ንኣምላኽ ገጽ ንገጽ ርእየዮ እየ እሞ ነፍሰይውን ድሒና እያ፡ ኢሉ ስም እታ ቦታ
እቲኣ ጰኒኤል ኣውጽኣላ። 31 ንጰኒኤል ምስ ሐለፈ፡ ጸሓይ በረቐቶ። ንሱ ግና ምሕኰልቱ ይሕንክስ ነበረ።
32 ንጅማት መፋላልዮ ምሕኰልቲ ያእቆብ ስለ ዝተንከዮ፡ ምእንቲዚ ደቂ እስራኤል ክሳዕ ሎሚ ጅማት
መፈላልዮ ምሕኰልቲ ኣይበልዑን እዮም።

# ምዕራፍ 33

1 ያእቆብ ድማ ዓይኑ ቛሕ ኣበለ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኤሳው፡ ምስኡ ድማ ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብ፡ ኪመጽእ
ረኣየ። ሽዑ ነቶም ደቂ ኣብ ልያን ኣብ ራሄልን ኣብ ክልቲኤን እተን ግዙኣትን መቓቕሎም። 2 ነተን
ግዙኣትን ንደቀንን ቅድሚት፡ ልያን ደቃን ድማ ደድሕሪኤን፡ ራሄልን ዮሴፍን ከኣ ድሕሪት ገበሮም። 3
ንሱ ድማ ቅድሚኦም ሐሊፉ፡ ናብ ሓዉ ኽሳዕ ዚበጽሕ ሾብዓተ ሳዕ ናብ ምድሪ ሰገደ። 4 ኤሳው ከኣ
ኪቕበሎ ጐየየ፡ ሐቘፎ፡ ኣብ ክሳዱ ወዲቑ ኸኣ ሰዐሞ፡ በኸዩ ድማ። 5 ዓይኑ ቛሕ ኣቢሉ ኣንስትን ቈልዑን
ርእዩ ኸኣ፡ እዞም ምሳኻ ዘለዉ ደኣ እንታዎት እዮም፧ በለ። ንሱ ድማ፥ እዚኣቶም እግዚኣብሄር ንግልያኻ
ዝጸገዎ ደቂ እዮም፡ በለ። 6 ሽዑ እተን ግዙኣት ምስ ደቀን ቀሪበን ሰገዳ። 7 ልያን ደቃን ከኣ ቀሪቦም
ሰገዱ።ድሕሪት ድማ ዮሴፍን ራሄልን ሰገዱ። 8 እዚ ኹሉ እተዓነፍክዎ ጭፍራኸ እንታይ ሐሲብካ ኢኻ፧
ድማ በሎ። ኣብ ቅድሚ ጐይታይ ሞገስ ክረክብ ኢለ፡ በለ። 9 ኤሳው ከኣ፡ ሓወየ፡ ዝኣኽለኒ ኣሎኒ፡
ናትካስ ንኣኻ ደኣ ይኹን፡ በለ። 10 ያእቆብ ድማ፡ ኣይፋልካን፡ ካብ ኣሐጕስካንስ፡ ንገጽካ ኸኣ ገጽ
ኣምላኽ ከም ዝርኢ ርእየያ እየ እሞ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ በጃኻ፡ ገጽ በረኸተይ ካብ
ኢደይ ተቐበል። 11 ኣምላኽ ጸጊዩኒ፡ ኵሉ መሊኡኒ ኣሎ እሞ፡ እቲ ዝሰደድኩልካ ገጽ በረኸተይ ውሰዶ
ደኣ፡ ኢሉ ግዲ በሎ። ንሱ ኸኣ ወሰዶ። 12 ኤሳው ድማ፡ ንንቀል እሞ ንኺድ፡ ኣነ ድማ ቀቅድሜኻ
ክኸይድ እየ፡ በለ። 13 ንሱ ግና፥ እዞም ቈልዑ ዕሽላት ከም ዝኾኑ፡ ዜጥብዋ ጤለበጊዕን ኣሓን ከኣ ከም
ዘለዋኒ፡ ጐይታይ ይፈልጥ ኣሎ። ሓደ መዓልቲ እምብዛ እንተ ሀወኽወን ኵለን መጓሰ ይሞታ። 14
ጐይታይሲ፡ ቀቅድሚ ግልያኡ ደኣ ይሕለፍ፡ ኣነ ድማ ናብ ጐይታይ ኣብ ሰዒር ክሳዕ ዝበጽሕ፡ ከም
ስጕምቲ እተን ቀቅድመይ ዘለዋ ማልን ከም ስጕምቲ እቶም ቈልዑን ገይረ ቐስ እናበልኩ እመጽእ፡
በሎ። 15 ኤሳው ከኣ፡ እምበኣርስኸ ካብዚ ምሳይ ዘሎ ህዝቢ ኺሐድገልካ፡ በሎ። ንሱ ግና፡ እዚኸ
ስለምንታይ እዩ፧ ኣብ ቅድሚ ጐይታይ ደኣ ሞገስ እርከብ፡ በለ።

16 ኤሳው በታ መዓልቲ እቲኣ መገዱ ናብ ስዒር ኣቢሉ ተመልሰ። 17 ያእቆብ ድማ ናብ ሱኮት ተጓዕዘ፡
ንእኡ ኸኣ ቤት ሰርሔ፡ ንማሉውን ዳሳት ገበረ። ብዛዕባዚ ስም እታ ቦታ ሱኮት ተባህለ።

[18] ያእቆብ ድማ ካብ ጳዳንኣራም ምስ መጸ፡ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ናብ ዘላ ኸተማ ሴኬም ብደሓን አተወ።
ኣብ መንጽር እታ ኸተማ ኸኣ ሰፈረ። [19] እታ ድንኳኑ ተኺሉላ ዝነበረ ኽፍሊ ግራት ድማ ኣብ ኢድ ደቂ
ሓሞር፡ ኣቦ ሴኬም፡ ብሚእቲ ቀሲጣ ዐደጋ። [20] ኣብኣ መሰውኢ ኣቐሙ ኸኣ፡ ኤልኤሎሄእስራኤል
ኣውጽኣሉ።

# ምዕራፍ 34

[1] እታ፡ ልያ ንያእቆብ ዝወለደትሉ ዲና ጓላ ኸኣ፡ ነዋልድ እታ ሃገር ክትርኢ ወጸት። [2] ሴኬም ወዲ
ሓሞር፡ እቲ ሓዋዊ ጐይታ እታ ሃገር ድማ ረኣያ፡ ወሲድዋ ኸኣ ምስኣ ደቀሰ፡ ኣነወራውን። [3] ነፍሱ ድማ
ምስ ዲና ጓል ያእቆብ ተጣበቐት፡ ነታ ጓል ፈተዋ፡ ነታ ጓልውን ብፍቕሪ ተዛረባ። [4] ሴኬም ድማ ነቦኡ
ሓሞር፡ እዛ ጓል እዚኣ ሰበይተይ ክትከውን ኣምጽኣለይ፡ ኢሉ ተዛረቦ። [5] ያእቆብ ድማ ንጓሉ ዲና ኸም
ዘርከሳ ሰምዔ፡ ደቁ ኸኣ ምስ ማሉ ኣብ መሮር ነበሩ እሞ፡ ያእቆብ ክሳዕ ዚኣትዉ ስቕ በለ።

[6] ሓሞር ኣቦ ሴኬም ከኣ ምስኡ ኺዛረብ ናብ ያእቆብ ወጸ። [7] ደቂ ያእቆብ ድማ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ካብ
መሮር አተዉ። እቶም ሰባት ከኣ ምስ ጓል ያእቆብ ብምድቃሱ ኺግበር ዘይግባእ ኣብ እስራኤል ነውሪ
ስለ ዝነበረ፡ ጕህዮም ኣዝዮም ተናደዱ። [8] ሓሞር ድማ፥ ነፍሲ ወደይ ሴኬም ምስ ጓልኩም ተጣቢቓ እያ
እሞ፡ በጃኹም ሰበይቱ ኽትከውን ሀብዎ። [9] ምሳና ተዋሰቡ፡ ኣዋልድኩም ሀቡና፡ ንኣኻትኩምውን
ኣዋልድና ውሰዱ፡ [10] ምሳና ድማ ንበሩ። እንሃ እዛ ምድሪ ኣብ ቅድሜኹም ኣላ፡ ተቐሚጥኩም ንገዱላን
ተረስተይዋን፡ ኢሉ ተዛረቦም። [11] ሴኬም ድማ ነቦኣን ነሕዋታን፥ ኣብ ቅድሚኹም ኰታ ምገስ እርከብ፡
ዝበልኩምኒ ኽህብ እየ። [12] ገዝምን ህያብን ኣዚኹም ኣብዚሕኩም ኣዝዙኒ። እታ ጓል ደኣ ሰበይተይ
ክትከውን ሀቡኒ እምበር፡ ከም ዝበልኩምኒ እህብ፡ በሎም። [13] ደቂ ያእቆብ ከኣ፡ ንሓብቶም ዲና ስለ
ዘነወራ፡ ንሴኬምን ነቦኡ ሓሞርን መሊሶም ብተንኰል ተዛረብዎም፡ [14] በልዎም ድማ፡ ሓብትና
ንዘይተገዝረ ሰብኣይ ክንህብ እዚ የነውረና እዩ እሞ፡ እዚ ነገርዚ ኽንገብር ኣይንኽእልን። [15] ተባዕታይ
ዘበለ ኹሉ ብምግዛርኩም፡ ከማና እንተ ኾንኩም፡ በዚ ጥራይ ሕራይ ንብለኩም። [16] ሽዑ ኣዋልድና
ንህበኩም፡ ኣዋልድኩም ከኣ ንወስድ፡ ምሳኻትኩም ድማ ንነብር፡ ሓደ ህዝቢውን ንኸውን። [17] ክትግዘሩ
እንተ ዘይሰማዕኩምና ግና፡ ጓልና ሒዝና ንኸይድ። [18] ንሓሞርን ንሴኬም ወዲ ሓሞርን ከኣ እቲ ዘረባኦም
ባህ ኣበሎም። [19] እቲ ጐበዝ ድማ ንጓል ያእቆብ ፈትይዋ ነበረ እሞ፡ እዚ ነገርዚ ንምግባር ኣይደንጐየን።
ኣብ ቤት ኣቦኡ ኻብ ዘለዉ ኹሎም ከኣ ንሱ ይኸብር ነበረ።

[20] ሓሞርን ወዱ ሴኬምን ናብ ደገ ኸተማኦም ከይዶም፡ ንሰብ እታ ኸተማኦም ከምዚ ኢሎም
ተዛረብዎም፡ [21] እዞም ሰባት እዚኦም ምሳና ሰብ ሰላም እዮም፡ እዛ ምድሪ ድማ እንሃ፡ ንኣታቶም
እትኣክል ገፋሕ እያ እሞ፡ ኣብዛ ምድሪ ይቀመጡን ይንገዱላን። ኣዋልዶም ንኣና ኣንስቲ ንወስድ፡
ኣዋልድና ድማ ንኣታቶም ንሀቦም። [22] እዞም ሰባት እዚኣቶም ግና ምሳና ኪቕመጡ፡ ምሳና ሓደ ህዝቢ
ኪኾኑ ድማ በዚ ጥራይ ሕራይ ይብሉና፡ ንሳቶም ግዙራት ከም ዝኾኑ፡ ኵሉ ተባዕታይና ኺግዘር። [23]
ማሎምን ገንዘቦምን፡ ኵሉ እንስሳኦምንከ ናትናዶ ኣይኰነን፧ ሓንትስ ሕራይ ደኣ ንበሎም እምበር፡ ምሳና
ኺነብሩ እዮም። [24] እቶም ብደገ ኸተማኡ ዝወጹ ኹላቶም ንሓሞርን ንወዱ ሴኬምን ሰምዕዎም እሞ፡
ብደገ ኸተማኡ ዝመጸ ዘበለ ኹሉ ተባዕታይ ተገዝረ።

25 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኪቕንዘዉ ኸለዉ፡ ክልተ ደቂ ያእቆብ፡ ስምኦንን ሌውን ኣሕዋት
ዲና፡ ሰሴፎም ወሲዶም፡ ነታ ኸተማ ኸይሐሰበት ሓደጋ ወዲቖም፡ ተባዕታይ ዘበለ ኾሉ ቐተሉ። 26
ንሓሞርን ንወዱ ሴኬምን ብስሕለት ሴፍ ቀቲሎም፡ ንዲና ኻብ ቤት ሴኬም ሒዞምዋ ወጹ። 27 ደቂ
ያእቆብ፡ ንሓብቶም ስለ ዘርከሰዋ፡ ናብቶም ቅቱላት መጺኦም ነታ ኸተማ ዘመትዋ። 28 ኣባጊዖምን
ኣሓኦምን ኣእዱጎምን ኣብ ከተማ ዝነበረን ኣብ መሮር ዝነበረን ድማ ወሰዱ። 29 ኵሉ ገንዘቦምን ኵሎም
ሕጻውንቶምን ኣንስቶምን ማረኹ፡ ኣብ ቤት ንተረኽበ ኾሉ ድማ ዘመቱ። 30 ያእቆብ ከኣ ንስምኦንን
ንሌውን፡ ኣብ መንጎ እዞም ኣብዛ ሃገር ዚነብሩ፡ ኣብ መንጎ ኸነኣናውያንን ፈረዛውያንን ንኽፉእ ጨና
ብምግባርኩም ኣጨነቕኩምኒ። ኣነ ብቝጽሪ ሒደት እየ፡ ንሳቶም ከኣ ተኣኪቦም ይቐትሉኒ፡ ኣነን
ቤተይን ድማ ንጠፍእ፡ በሎም። 31 ንሳቶም ከኣ፡ ኣብ ሓብትናዶ ደኣ ኸም ኣብ ኣመንዝራ ኺግበር እዩ፧
በሉ።

# ምዕራፍ 35

1 ኣምላኽ ድማ ንያእቆብ፡ ተንስእ እሞ ናብ ቤትኤል ደይብ፡ ኣብኣውን ተቐመጥ። ኣብኣ ድማ ነቲ ኻብ
ቅድሚ ሓውካ ኤሳው ክትሀድም ከሎኻ እተገልጸልካ ኣምላኽ መሰውኢ ግበር በሎ። 2 ሽዑ ያእቆብ
ንስድራኡን ምስኡ ንዝነበሩ ኾሎምን፡ ኣብ ማእከልኩም ዘለዉ ጓኖት ኣማልኽቲ ኣርሕቑ፡ ጽረዩ፡
ክዳውንትኹምውን ለውጡ። 3 ንተንስእ፡ ናብ ቤትኤል ድማ ንደይብ፡ ኣብኣ ኸኣ ነቲ ብመዓልቲ ጸበባይ
ዝሰምዓንን፡ ኣብ ዝኸድክዎ መገዲ ምሳይ ዝነበረን ኣምላኽ መሰውኢ ኽገብር እየ፡ በሎም። 4 ኣብ ኢዶም
ዝነበሩ ኾሎም ጓኖት ኣማልኽትን ኣብ ኣእዛኖም ዝነበረ ቐላብትን ንያእቆብ ሀብዎ። ያእቆብ ድማ ኣብ
ትሕቲ እቲ ኣብ ጥቓ ሴኬም ዘሎ ድዋ ሐብኦ። 5 ተጓዕዙ ኸኣ። ኣብተን ኣብ ዙርያኦም ዝነበራ ኸተማታት
ድማ ዓብዪ ፍርሃት ኣምላኽ ኰነ እሞ፡ ንደቂ ያእቆብ ኣይሰጐጕዎምን።

6 ያእቆብን እቲ ምስኡ ዝነበረ ኾሉ ህዝብን ናብታ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዘላ ሉዝ መጹ፡ ንሳ ኸኣ ቤትኤል
እያ፡ 7 ኣብኣ ድማ መሰውኢ ነደቐ። እቲ ኻብ ቅድሚ ሓዉ ኺሀድም ከሎ፡ ኣምላኽ ኣብኣ ስለ
እተገልጸሉ፡ ነታ ቦታ ኤልቤትኤል ኣውጽኣላ። 8 ዲቦራ መጕዚት ርብቃ ሞተት፡ ኣብ ትሕቲ ቤትኤል፡
ኣብ ትሕቲ እቲ ድዋ ድማ ተቐብረት። ስሙ ኸኣ ድዋ ብኽያት ተባህለ።

9 ያእቆብ ካብ ጵዳንኣራም ምስ መጸ ድማ፡ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ተራእዮ፡ ባረኾ ኸኣ። 10 ኣምላኽ
ድማ፡ ስምካ ያእቆብ እዩ፡ ድሕሪ ደጊምሲ ስምካ ያእቆብ ኣይብሀልን፡ ስምካ እስራኤል ደኣ ኪኸውን
እዩ፡ በሎ። ስሙ ኸኣ እስራኤል ኣውጽኣሉ። 11 ኣምላኽ ድማ፡ ኣነ እቲ ኾሉ ዝኽእል ኣምላኽ እየ። ፍረን
ብዛሕን፡ ህዝብን ብዝሒ ህዝብታትን ካባኻ ኺወጹ እዮም፡ ነገስታት ከኣ ካብ ሕቘኻ ኪወጹ እዮም። 12
እዛ ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ዝሀብክዎም ምድሪ ንኣኻ ኽህበካ እየ። ብድሕሬኻ ድማ እታ ምድሪ
ንዘርእኻ ኽህቦ እየ፡ በሎ። 13 ኣምላኽ ድማ ካብታ ምስኡ እተዛረበላ ቦታ ኻብኡ ደየበ። 14 ያእቆብ ከኣ
ኣብታ ምስኡ እተዛረበላ ቦታ ሓወልቲ፡ ሓወልቲ እምኒ፡ ተኸለ። ኣብኣ ድማ መስዋእቲ መስተ ኸዐወ፡
ኣብ ልዕሊኡውን ዘይቲ ኸዐወ። 15 ያእቆብ ከኣ ነታ ኣምላኽ ኣብኣ ምስኡ እተዛረበላ ቦታ ስማ ቤትኤል
ኣውጽኣላ።

16 ካብ ቤትኤል ድማ ተላዕሉ። ንኤፍራታ ኺበጽሑ ገና፡ ገለ መገዲ ተሪፍዎም ከሎ፡ ራሄል ወለደት።

ክትወልድ ከላ ድማ፡ ጻዕሪ በርትዓ። 17 ኲነ ኸኣ፡ ብሕርሳ ኽትጽዐር ከላ፡ እታ መሕረሲት፡ ሕጂ ድማ
ወዲ ረኺብኪ ኢኺ እሞ፡ ኣይትፍርሂ፡ በለታ። 18 ኲነ ኸኣ፡ ክትመውት፡ ነፍሳ ኽትወጽእ ከላ ድማ፡
ስሙ ቤንኦኒ ኣውጽኣትሉ። ኣቦኡ ግና ብንያም ኣውጽኣሉ። 19 ራሄል ከኣ ሞተት፡ ኣብ መገዲ ኤፍራታ
ድማ ተቐብረት፡ ንሳ ቤትልሄም እያ። 20 ያእቆብ ድማ ኣብ መቓብራ ሓወልቲ ተኸለ፡ ንሱ እቲ ኽሳዕ
ሎሚ ዘሎ ሓወልቲ መቓብር ራሄል እዩ።

21 እስራኤል ከኣ ካብኡ ተላዒሉ ድንኳኑ ኣብ ክንየው ግምቢ ኤደር ተኸለ። 22 ኲነ ድማ፡ እስራኤል
ኣብኡ ኣብታ ምድሪ እቲኣ ተቐሚጡ ኸሎ፡ ሮቤል ከይዱ ምስ ቢልሃ፡ ሰበይቲ ወሰን ኣቦኡ ደቀሰ።
እስራኤል ድማ ሰምዔ። ኣወዳት ያእቆብ ከኣ ዓሰርተው ክልተ ነበሩ። 23 ደቂ ልያ፡ ሮቤል በዅሪ ያእቆብን
ስምኦንን ሌውን ይሁዳን ይሳኮርን ዛብሎንን። 24 ደቂ ራሄል፥ ዮሴፍን ብንያምን። 25 ደቂ ቢልሃ ግዝእቲ
ራሄል ድማ፡ ዳንን ንፍታሌምን። 26 ደቂ ዚልጳ ግዝእቲ ልያ ኸኣ፡ ጋድን ኣሴርን፡ እዚኣቶም ኣብ
ጳዳንኣራም እተወልዱሉ ደቂ ያእቆብ እዮም።

27 ያእቆብ ድማ ናብ ኣቦኡ ይስሃቅ ናብ መምሬ ኣብ ቅርያትኣርባዕ መጸ። ንሳ እታ ኣብርሃምን ይስሃቅን
ተሰዲዶምዋ ዝነበሩ ኬብሮን እያ። 28 ዕድመ ይስሃቅ ከኣ ሚእትን ሰማንያን ዓመት ኲነ። 29 ይስሃቅ ድማ
ትንፋሱ ወጸት እሞ ሞተ። ኣረጊ ዕድመ ጸጊቡ ናብ ህዝቡ ተኣከበ። ደቁ ኤሳውን ያእቆብን ከኣ ቀበርዎ።

# ምዕራፍ 36

1 ወለዶ ኤሳው፡ ንሱ ድማ ኤዶም፡ እዚ እዩ። 2 ኤሳው እተን ኣንስቱ ኻብ ኣዋልድ ከነኣን፡ ዓዳ፡ ጓል
ኤሎን ሔታውን ኦሆሊባማ ጓል ዓና ጓል ጺብዖን ሓዋዊን፡ 3 ባስማት፡ ጓል እስማኤል ሓብቲ ነባዮትን
ወሰደ። 4 ዓዳ ድማ ንኤሳው ኤሊፋዝ ወለደትሉ፡ ባስማት ከኣ ንራጉኤል ወለደት። 5 ኦሆሊባማውን
የዑስን ያዕላምን ቆራሕን ወለደት። እዚኣቶም ኣብ ምድሪ ኸነኣን እተወልዱሉ ደቂ ኤሳው እዮም። 6
ኤሳው ኣንስቱን ኣወዳቱን ኣዋልዱን ኵሉ ሰድራ ቤቱን ማሉን ኵሉ እንስሳኡን ኣብ ምድሪ ኸንኣን ዘጥረዮ
ዅሉ ገንዘቡን ወሰደ፡ ካብ ቅድሚ ያእቆብ ሓዉ ኸኣ ናብ ካልእ ምድሪ ኸደ። 7 ብሓደ ኽይቅመጡ እቲ
ጥሪቶም በዚሑ ነበረ እሞ፡ ብምኽንያት ማሎም ድማ እታ ምድሪ ስደቶም ክትጾሮም ኣይከኣለትን። 8
ኤሳው ከኣ ኣብ ከረን ሰዒር ተቐመጠ። ኤሳው ኤዶም እዩ።

9 ወለዶ ኤሳው፡ ኣቦ ኤዶማውያን ኣብ ከረን ስዒር እዚ እዩ። 10 ስማት ደቂ ኤሳው እዚ እዩ፡ ኤሊፋዝ፡
ወዲ ዓዳ ሰበይቲ ኤሳው፡ራጉኤል፡ ወዲ ባስማት ሰበይቲ ኤሳው። 11 ደቂ ኤሊፋዝ ከኣ፡ ቴማን፡ ኦማር፡
ጼፎ፡ ጋዕታም፡ ቄናዝ ነበሩ። 12 ቲምናዕ ድማ ሰበይቲ ወሰኑ ንኤሊፋዝ ወዲ ኤሳው ነበረት እሞ፡ ኒሊፋዝ
ኣማሌቅ ወለደትሉ። እዚኣቶም ደቂ ዓዳ ሰበይቲ ኤሳው እዮም። 13 ደቂ ራጉኤል ድማ እዚኣቶም እዮም፥
ናሓትን ዜራሕን ሻማን ሚዛን፡ እዚኣቶም ደቂ ባስማት ሰበይቲ ኤሳው ነበሩ።

14 ደቂ ኦሆሊባማ ሰበይቲ ኤሳው፡ ጓል ዓና ጓል ጺብዖን ድማ እዚኣቶም እዮም፥ ንሳ ንኤሳው የዑሽን
ያዕላማን ቆራሕን ወለደትሉ።

15 ሹማምቲ ደቂ ኤሳው፡ ደቂ ኤልፋዝ በዅሪ ኤሳው፡ እዚኣቶም እዮም፡ ሹም ቴማን፡ ሹም ኦማር፡
ሹም ጼፎ፡ ሹም ቄናዝ፡ 16 ሹም ቆራሕ፡ ሹም ጋዕታም፡ ሹም ኣማሌቅ። እዚኣቶም ሹማምቲ ኤሊፋዝ

ኣብ ምድሪ ኤዶም እዮም። እዚኣቶም ደቂ ዓዳ እዮም።

[17] ደቂ ራጉኤል ወዲ ኤሳው ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ሹም ናሓት፡ ሹም ዜራሕ፡ ሹም ሻማ፡ ሹም ሚዛ።
እዚኣቶም ሹማምቲ ራጉኤል ኣብ ምድሪ ኤዶም እዮም። ንሳቶም ደቂ ባስማት ሰበይቲ ኤሳው እዮም።

[18] ደቂ ኦሆሊባማ ሰበይቲ ኤሳው ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ሹም የዑስ፡ ሹም ያዕላም፡ ሹም ቆራሕ።
እዚኣቶም ሹማምቲ ኦሆሊባማ፡ ጓል ዓና ሰበይቲ ኤሳው፡ እዮም። [19] እዚኣቶም ደቂ ኤሳው፡ ንሱ ኤዶም፡
ሹማምቶም ድማ እዚኣቶም እዮም።

[20] ደቂ ሰዒር ሖራዊ፡ ኣብታ ሃገር ዝነበሩ፡ እዚኣቶም እዮም፥ ሎጣንን ሾባልን ጺብዖንን ዓናን፡ [21]
ዲሾንን ኤጼርን ዲሻንን፡ እዚኣቶም ሹማምቲ ሖራውያን ደቂ ስዒር፡ ኣብ ምድሪ ኤዶም እዮም። [22] ደቂ
ሎጣን ከኣ ሖሪን ሄማምን ነበሩ፡ ሓብቲ ሎጣን ድማ ቲምናዕ። [23] ደቂ ሾባል ከኣ እዚኣቶም እዮም፥
ዓልዋንን ማናሓትን ኤባልን ሼፎን ኦናምን። [24] ደቂ ጺብዖን ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ኣያን ዓናን። እዚ ዓና
እዚ፡ ኣእዱግ ኣቦኡ ጺብዖን ኣብ በረኻ ኺጓሲ ኸሎ፡ ዐይንታት ማይ ውዑይ ዝረኸበ እዩ። [25] ደቂ ዓና
ኸኣ እዚኣቶም እዮም፡ ዲሾንን ኦሆሊባማ ጓል ዓናን። [26] ደቂ ዲሾን ከኣ እዚኣቶም እዮም፡ ሔምዳንን
ኤሽባንን ይትራንን ከራንን። [27] ደቂ ኤጽር እዚኣቶም እዮም፡ ቢልሃንን ዛዕዋንን ዓቃንን። [28] ደቂ ዲሻን
እዚኣቶም እዮም፥ ዑጽን ኣራንን። [29] ሹማምቲ ሖራውያን እዚኣቶም እዮም፡ ሹም ሎጣን፡ ሹም ሾባል፡
ሹም ጺብዖን፡ ሹም ዓና፡ [30] ሹም ዲሾን፡ ሹም ኤጽር፡ ሹም ዲሻን። እዚኣቶም በብስሞም ኣብ ምድሪ
ስዒር ዘለዉ ሹማምቲ ሖራውያን እዮም።

[31] ገና ኣብ ደቂ እስራኤል ንጉስ ከይነገሰ፡ ኣብ ምድሪ ኤዶም ዝነገሱ ነገስታት ድማ እዚኣቶም እዮም፥ [32]
ቢላዕ ወዲ ቤዖር ኣብ ኤዶም ነገሰ፡ ከተማኡ ኸኣ ዲንሃባ ተባህለት። [33] ቤላዕ ድማ ሞተ፡ ዮባብ ወዲ
ዘራሕ ካብ ቦጽራ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። [34] ዮባብ ከኣ ሞተ። ሑሻም ካብ ሃገር ቴማኒ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። [35]
ሑሻም ድማ ሞተ። ሃዳድ ወዲ በዳድ፡ እቲ ንሰብ ሚድያን ኣብ መሮር ሞኣብ ዝሰዐረ፡ ኣብ ክንዳኡ
ነገሰ። ስም ከተማኡ ድማ ዓዊት ነበረ። [36] ሃዳድ ከኣ ሞተ። ሳምላ ኻብ ማስሬቃ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። [37]
ሳምላ ድማ ሞተ። ሻኡል፡ በዓል እታ ጥቓ ርባ ዘላ ረሖቦት ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። [38] ሻኡል ከኣ ሞተ እሞ
በዓልሓናን ወዲ ኣኽቦር ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። [39] በዓልሓናን ወዲ ኣኽቦር ድማ ሞተ። ሃዳር ከኣ ኣብ
ክንዳኡ ነገሰ። ስም ከተማኡ ድማ ጳዑ ነበረ፡ ስም ሰበይቱ ኸኣ ሜሄጣብኤል እዩ፡ ንሳ ጓል ማጥሬድ ጓል
ሜዛሃብ እያ። [40] ስም ሹማምቲ ኤሳው በብዓሌቶም፡ በብቦታኦም፡ በብስሞም እዚ እዩ፡ ሹም ቲምናዕ፡
ሹም ዓልዋ፡ ሹም የቴት፡ [41] ሹም ኦሆሊባማ፡ ሹም ኤላ፡ ሹም ፒኖን፡ [42] ሹም ቄናዝ፡ ሹም ቴማን ሹም
ሚብጻር፡ [43] ሹም ማግዲኤል፡ ሹም ዒራም። እዚኣቶም በብምቕማጦም ኣብ ምድሪ ርስቶም ዘለዉ
ሹማምቲ ኤዶም እዮም። ኤሳው፡ ንሱ ኣቦ ኤዶማውያን እዩ።

## ምዕራፍ 37

[1] ያእቆብ ድማ ኣብታ ኣቦኡ ተሰዲድዋ ዝነበረ ምድሪ፡ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ተቐመጠ። [2] ወለዶ ያእቆብ
እዚ እዩ። ዮሴፍ፡ ወዲ ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመት ምስ ኰነ፡ ምስ ኣሕዋቱ ጤለበጊዕ ይጓሲ ነበረ። ንሱ
ብንእስነቱ ኾሎ ኸኣ ምስ ደቂ ቢልሃን ምስ ደቂ ዚልጳን ኣንስቲ ኣቦኡ ነበረ። ዮሴፍ ድማ እቲ ኽፉእ
ወሬኦም ነቦኦም የምጽኣሉ ነበረ። [3] እስራኤል ንዮሴፍ፡ ወዲ እርግናኡ ነበረ እሞ፡ ሓለፋ ኹሎም ደቁ

ይፈትዎ ነበረ። ወለል ዚብል ቀምሽ ከኣ ገበረሉ። [4] እቶም ኣሕዋቱ፡ ኣቦኦም ሓለፉ ዥላቶም ኽም ዝፈትዎ ርእዮም፡ ጸልእዎ፡ ብሰላም ኪዛረብዎ ድማ ኣይከኣሉን።

[5] ዮሴፍ ከኣ ሕልሚ ሐለመ ነሕዋቱ ድማ ነገሮም። መሊሶም ከኣ ኣዝዮም ጸልእዎ። [6] ንሱ ድማ፡ ዝሐለምክዎ ሕልሚ እማ ስምዑ፡ [7] እንሆ፡ ንሕና ኣብ ማእከል ግራት እንዳእቲ ንኣስር ነበርና። እንሆ ኸኣ፡ እንዳእተይ ተንሲኣ ትኽ በለት። እንሆ ድማ፡ እንዳእትኹም ንእንዳእተይ ከቢበን ሰገዳላ፡ በሎም። [8] ሽዑ ኣሕዋቱ፡ እሞ ብሓቂዶ ኣብ ልዕሌና ኽትነግስ፡ ብሓቂዶኸ ኽትገዝኣና ኢኻ፧ በልዎ። መሊሶም ከኣ ብዛዕባ ሕልምታቱን ዘረባኡን ኣዝዮም ጸልእዎ።

[9] ካልእ ሕልሚ ድማ ሐለመ፡ ነሕዋቱ ኸኣ ነገሮም፡ እንሆ፡ ካልእ ሕልሚ ሐለምኩ፡ እንሆ ድማ፡ ጸሓይን ወርሕን ዓሰርተው ሓደ ከዋኽብትን ሰገዱለይ፡ በለ። [10] ነቦኡን ነሕዋቱን ድማ ነገሮም፡ ኣቦኡ ኸኣ ገንሖ፡ እዚ ዝሐለምካዮ እንታይ ሕልሙ እዩ፧ ብሓቂዶ ኣነን ኣዴኻን ኣሕዋትካን መጺእና ኣብ ምድሪ ኽንሰግደልካ ኢና፧ በሎ። [11] ኣሕዋቱ ኸኣ ቀንኡሉ። ኣቦኡ ግና ነዚ ነገርዚ ኣብ ልቡ ዐቘርዎ ነበረ።

[12] ኣሕዋቱ ድማ ጤለበጊዕ ኣቦኦም ኪጓስዩ ናብ ሴኬም ከዱ። [13] እስራኤል ከኣ ንዮሴፍ፡ ኣሓትካ ደኣ ኣብ ሴኬምዶ ይጓስዩ ኣየለዉን፧ ንዓ ናባታቶም ክሰድካ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እነኹ፡ በሎ። [14] ኪድ እሞ፡ እቶም ኣሕዋትካ ደሓን እንተለዉ፡ እተን ጤለበጊዕውን ደሓን እንተለዋ ርኤ፡ ቃል ድማ ምለሰለይ፡ በሎ። ከምዚ ገይሩ ኻብ ለሰ ኬብሮን ለኣኾ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ሴኬም መጸ።

[15] እብቲ መሮር ሃለው ኪብል ከሎ፡ እንሆ፡ ሓደ ሰብኣይ ረኸቦ። እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ እንታይ ትደሊ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሐተቶ። [16] ንሱ ድማ፡ ኣሕዋተይ እደሊ ኣሎኹ፡ ኣበይ ከም ዚጓስዩ ኾታ ንገረኒ፡ በለ። [17] እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ ናብ ዶታን ንኺድ፡ ኪብሉ ሰሚዔዮም ነበርኩ እሞ፡ ካብዝስ ለቒቖም እዮም፡ በለ። ዮሴፍ ከኣ ደድሕሪ ኣሕዋቱ ኸይዱ፡ ኣብ ዶታን ረኸቦም። [18] ካብ ርሑቕ ድማ ረኣይዎ፡ ገና ኣባታቶም ከይቀረበ ኸኣ፡ ኪቕትልዎ ተታናኾሉ። [19] ንሓድሕዶም ድማ ተባሃሀሉ፡ እቲ ሓላሚ እንሆ፡ ይመጽእ ኣሎ፡ [20] ሕጂ ኸኣ ንዑ ንቕተሎ፡ ኣብ ሓንቲ ኻብዘን ጐደጕድ ንደርብዮ እሞ፡ ሕሱም ኣራዊት በሊዕዎ፡ ንበል። እቲ ሕልምታቱ እንታይ ከም ዚኸውን ድማ ንርኢ። [21] ሮቤል ከኣ እዚ ሰሚዑ ኻብ ኢዶም ኣድሐኖ፡ ነፍሲ ኣይንቕተል፡ ድማ በለ። [22] ሮቤል ከኣ ካብ ኢዶም ኣድሒኑ ናብ ኣቦኡ ምእንቲ ኺመልሶ ኢሉ፡ ብኢድ እኳ ኣይትተንክይዎ፡ ኣብዚ በረኻ ኣብ ዘሎ ጕድጓድ ደርብይዎ እምበር፡ ደምሲ ኣይትኽዐዉ፡ በሎም።

[23] ኮነ ኸኣ፡ ዮሴፍ ናብ ኣሕዋቱ ምስ መጸ፡ ነቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ ቐምሹ፡ እቲ ወለል ዚብል ቀምሽ፡ ቀንጠጥዎ። [24] ወሲዶም ድማ ናብ ጕድጓድ ደርበይዎ። እቲ ጕድጓድ ከኣ ማይ ዜብሉ ጥራዩ ነበረ። [25] እንጌራ ኺበልዑ ድማ ተቐመጡ። ኣዒንቶም ቋሕ ኣቢሎም ጠመቱ፡ እንሆ ኸኣ፡ እስማኤላውያን ቃፍላይ፡ ኣግማሎም ሽቱን ቀመምን ከርበን ተጾዒነን ናብ ግብጺ ኼውርድዎ ኪኸዱ፡ ካብ ጊልዓድ ኪመጹ ረኣዩ። [26] ይሁዳ ድማ ነሕዋቱ፡ ሓውና ቕቲልና ደሙ እንተ ሓባእናስ፡ እንታይ ክንጥቀም ኢና፧ [27] ንዑ ግዳ ኣብዞም እስማዔላውያን ንሽጦ፡ ሓውናን ስጋናን እዩ እሞ፡ ኢድና ኣብ ልዕሊኡ ኣይትኹን፡ በሎም። ኣሕዋቱ ድማ ሰምዕዎ። [28] እቶም ነጋዶ ሰብ ሚድያን ኪሐልፉ ኸለዉ፡ ንዮሴፍ ኣልዒሎም፡ ካብ ጕድጓድ ኣውጽእዎ እሞ፡ ንዮሴፍ ንዕስራ ሲቃል ብሩር ኣብ እስማዔላውያን ሸጥዎ። ንሳቶም ከኣ ንዮሴፍ ናብ ግብጺ ወሰድዎ።

29 ሮቤል ድማ ናብቲ ጉድጓድ ተመልሰ፡ እንሆ ኸኣ፡ ዮሴፍ ኣብቲ ጉድጓድ ኣይነበረን። ሽዑ ኽዳኑ
ቐደደ። 30 ናብ ኣሕዋቱ ተመሊሱ ድማ፡ እቲ ቘልዓ የሎን፡ ኣነ ደኣ ናበይ ክኸይድ እየ፤ በለ። 31 ቀምሽ
ዮሴፍ ወሲዶም ከኣ ወጠጦ ሐሪዶም ነቲ ቀምሽ ኣብ ደም ጠለቕዎ። 32 ነቲ ወለል ዚብል ቀምሽ ሰዲዶም
ናብ ኣቦኦም ኣእተውዎ፡ እዚ ረኺብና እሞ፡ ቀምሽ ወድኻ እንተ ዅይኑ ወይ እንተ ዘይኰነ፡ እስኪ
ኣለልዮ፡ ድማ በሉ። 33 ኣለልይዎ ኸኣ፡ እዚ ቐምሽ ወደይ እዩ፡ ሕሱም ኣራዊት በሊዕዎ፡ ዮሴፍ ብርግጽ
ተበሊዑ፡ በለ። 34 ያእቆብ ድማ ክዳኑ ቐዲዱ ኣብ ሕቘኡ ማቕ ተዐጥቀ፡ ብዛዕባ ወዱ ብዙሕ መዓልቲ
ሐዘነ። 35 ኵሎም ኣወዳቱን ኵለን ኣዋልዱን ድማ ኬጸናንዕዎ ተንስኡ። ንሱ ግና ምጽንናዕ ኣበየ፡ ብሓዘን
ናብ ወደይ ናብ ሽኦል ክወርድ እየ፡ ድማ በለ። ኣቦኡ ኸኣ በኸየሉ። 36 እቶም ሚድያናውያን ድማ ናብ
ግብጺ፡ ናብ ጶጢፋር፡ በዓል መዋእል ፈርኦን ሓለቓ ዘብዔኛታት፡ ሸጥዎ።

# ምዕራፍ 38

1 በቲ ወርሓት እቲ ኸኣ ዀነ፡ ይሁዳ ኻብ ኣሕዋቱ ወሪዱ፡ ናብ ሒራ ዝስሙ ኣዱላዊ ሰብኣይ ኣተወ። 2
ይሁዳ ኣብኡ ጓል ሹዓ ዝስሙ ከነኣናዊ ሰብኣይ ረኣየ፡ ወሲዱ ኸኣ ኣተዋ። 3 ንሳ ጠነሰት ወዲውን
ወለደት፡ ስሙ ድማ ዔር ኣውጽኣትሉ። 4 ደጊማ ኸኣ ጠነሰት ወዲውን ወለደት፡ ስሙ ድማ ኦናን
ኣውጽኣትሉ። 5 ከም ብሓድሽ ከኣ ደጊማ ወዲ ወለደት፡ ስሙውን ሼላ ኣውጽኣትሉ። ንእኡ ኽትወልድ
ከላ፡ ይሁዳ ኣብ ከዚብ ነበረ። 6 ይሁዳ ድማ ንዔር በዅሪ ወዱ ታማር ዝስማ ሰበይቲ ኣምጽኣሉ። 7 ዔር
በዅሪ ይሁዳ ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ነበረ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ቀተሎ። 8 ሽዑ ይሁዳ ንኦናን፥
ናብ ሰበይቲ ሓውካ እቶ እሞ ውረሳ፡ ንሓውካ ድማ ዘርኢ ኣቚም፡ በሎ። 9 ኦናን ግና እቲ ዘርኢ ንእኡ
ኸም ዘይከውን ፈለጠ። ኰነ ኸኣ፡ ናብ ሰበይቲ ሓዉ ምስ ዚኣቱ፡ ንሓዉ ዘርኢ ምእንቲ ኸይህብ ኢሉ፡
ናብ ምድሪ ኸዐዎ። 10 እቲ ዝገበሮ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ኰነ እሞ፡ ንእኡ ድማ ቀተሎ። 11
ሽዑ ይሁዳ፡ ንሱ ድማ ከም ኣሕዋቱ ኸይመውት ኢሉ፡ ንታማር ሰበይቲ ወዱ፡ ወደይ ሼላ ኽሳዕ ዚዐቢ
ኺዲ፡ ኣብ እንዳ ኣቦኺ መበለት ኴንኪ ተቐመጢ፡ በላ። ታማር ድማ ኸይዳ ኣብ እንዳ ኣቦኣ
ተቐመጠት።

12 ድሕሪ ብዙሕ መዓልቲ ድማ ጓል ሹዓ ሰበይቲ ይሁዳ ሞተት። ይሁዳ ምስ ተጸናንዔ፡ ንሱ ምስ ሒራ
ኣዱላማዊ ፈታዊኡ ናብቶም ኣባጊዑ ዚቘርጹ ናብ ቲምናት ደየበ። 13 ንታማር ድማ፡ እንሆ፡ ሓሙኺ
ኣባጊዑ ኪቘርጽ ናብ ቲምናት ይድይብ ኣሎ ኢሎም ነገርዋ። 14 ንሳ ኸኣ፡ ሼላ ዓብዩ ኽንሱ፡ ሰበይቱ
ኽትከውን ከምዘይተዋህበት ረኣየት እሞ፡ ክዳን ምብልውናኣ ኣንቢራ፡ መጐልበቢ ተጐልቢባ ኣብ ጥቓ
መገዲ ቲምናት ኣብ ዘላ ደገ ዔናይም ተቐመጠት። 15 ይሁዳ ምስ ረኣያ፡ ገጻ ሸፊና ነበረት እሞ ኣመንዝራ
መሰለቶ። 16 ንሱ ኸኣ ሰበይቲ ወዱ ምዃና ኣይፈለጠን እሞ፡ ኣብቲ ጥቓ መገዲ ናብኣ ኣግሊሱ፡ በጃኺ፡
ናባኺ ኽኣቱ ሕደግኒ፡ በላ። ንሳ ድማ፡ ናባይ ክትኣቱስ እንታይ እሞ ትህበኒ፤ በለቶ። 17 ኣነ ኻብ መጓሰይ
ጥቦት ማሕስእ እሰደልኪ፡ በላ። ንሳ ኸኣ፡ ክሳዕ እትሰደለይከ ታሕዚዶ ትህበኒ ኢኻ፤ በለቶ። 18 ንሱ ኸኣ፡
እንታይ ታሕዙ እሞ ኽህበኪ፤ በለ። ቀለቤትካን ማዕተብካን እዛ ኣብ ኢድካ ዘላ በትርኻን፡ በለት። ሀባ
እሞ ኣተዋ ኸኣ፡ ንሳውን ካብኡ ጠነሰት። 19 ተንሲኣ ኸኣ ከደት፡ መጐልበቢኣ ኣንቢራ ድማ ክዳን
ምብልውናኣ ተኸድነት። 20 ይሁዳ እቲ ታሕዚ ኻብ ኢድ እታ ሰበይቲ ኽወስድ፡ ብኢድ እቲ ኣዱላማዊ
ፈታዊኡ ጥቦት ማሕስእ ሰደደላ። ንሱ ግና ኣይረኸባን። 21 ነቶም ሰብ እታ ቦታ እቲኣ፡ እታ ኣብ ኤናይም

ኣብ መገዲ ተቐሚጣ ዝነበረት ኣመንዝራ ኣበይ እያ ዘላ፧ ኢሉ ሐተተ። ኣብዚ ኣመንዝራ ኣይነበረትን፡
በሉ። 22 ናብ ይሁዳ ተመልሊሱ ድማ፡ ኣይረኸብክዋን፡ እቶም ሰብ እታ ቦታ እቲኣ ኸኣ፡ ኣብዝስ
ኣመንዝራ ኣይነበረትን፡ ኢሎም በሎ። 23 ይሁዳ ድማ፡ እንሆ፡ እዚ ጥቦትዚ ሰዲደ፡ ንስኻ ኸኣ
ኣይረኸብካያን እሞ፡ መላገጺ ኸይንኸውንሲ፡ ትውሰዶ፡ በለ።

24 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ኣቢሉ ንይሁዳ፡ ታማር፡ ሰበይቲ ወድኻ ዘምያ፡ እንሆ ኸኣ
ብዝሙት ጠኒሳ ኣላ፡ ኢሎም ነገርዎ። ይሁዳ ድማ፡ ኣውጽእዋ እሞ ትንደድ፡ በለ። 25 ምስ ኣውጽእዋ
ድማ፡ ናብ ሓሙኣ፡ ኣነ ኻብ በዓል እዚ እየ ጠኒሰ ዘሎኹ፡ኢላ ሰደደት። እዚ ቐለቤት እዚ፡ እዚ መዓትብ
እዚ፡ እዛ በትሪ እዚኣንሲ ናይ መን ከም ዝኾና፡ እስኪ ኣለሊ በጃኻ፡ ድማ በለት። 26 ይሁዳ ኸኣ
ኣለልይዎ፡ ንወደይ ሼላ ካብ ዘይሀብክዋስ፡ ካባይ ንሳ ትቕንዕ፡ በለ። ድሕርቲ ግና ኣይፈለጣን።

27 ኰነ ኸኣ፡ ብጊዜ ሕርሳ እንሆ፡ ኣብ ማሕጸና ማንታ ነበረ። 28 ኰነ ድማ ክትወልድ ከላ፡ እቲ ሓደ ኢዱ
ኣውጽኤ፡ እታ መሕረሲት ከኣ፡ እዚ ቐድም ወጸ፡ ኢላ ቀይሕ ፈትሊ ወሲዳ ኣብ ኢዱ ኣሰረትሉ። 29 ኰነ
ድማ፡ ንሱ ኢዱ ምስ መለሰ እንሆ፡ ሓዉ ወጸ። ንሳ ኸኣ፡ ከመይ ሰንጢቕካ ባዕልኻ ወጻእካ፧ በለት።
ስሙ ድማ ፋሬስ ተባህለ። 30 ብድሕሪኡ ኸኣ እቲ ኣብ ኢዱ ቐይሕ ፈትሊ ዝነበሮ ሓዉ ወጸ። ስሙ ድማ
ዘራሕ ተባህለ።

## ምዕራፍ 39

1 ንዮሴፍ ከኣ ናብ ግብጺ ኣውረድዎ። ጶጢፋር፡ በዓል መዋእል ፈርኦን፡ ሓለቓ ዘብዔኛታት ዝነበረ
ግብጻዊ ሰብኣይ ድማ ካብ ኢድ እቶም ናብኡ ዘውረድዎ እስማኤላውያን ተሻየጦ። 2 እግዚኣብሄር ምስ
ዮሴፍ ነበረ እሞ፡ ንሱ ዕዮኡ ዝቐንዓሉ ሰብኣይ ኰነ። ኣብ ቤት እቲ ግብጻዊ ጐይታኡ ድማ ነበረ። 3
ጐይታኡ ኸኣ እግዚኣብሄር ምስኡ ኸም ዘሎን ንሱ ዝገበሮ ዅሉ ድማ እግዚኣብሄር ኣብ ኢዱ ኸም
ዜቕንዓሉን ረኣየ። 4 ዮሴፍ ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ሞገስ ረኸበ፡ የገልግሎውን ነበረ። ኣዛዝ ቤቱ ገበሮ፡ ዘለዎ
ዅሉ ኸኣ ኣብ ኢዱ ሀቦ። 5 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ቤቱን ኣብ ኵሉ ጥሪቱን ካብ ዝሾሞ ጊዜ ጀሚሩ፡ እግዚኣብሄር
ምእንቲ ዮሴፍ ኢሉ ንቤት እቲ ግብጻዊ ባረኻ። ኣብ ቤትን ኣብ መሮርን ኣብ ዝነበረ ዅሉ ጥሪቱ በረኸት
እግዚኣብሄር ነበረ። 6 ዘለዎ ዅሉ ኣብ ኢድ ዮሴፍ ኣሕሊፉ ሀቦ። ዘለዎ ዘበለ ድማ፡ ብዘይ እታ ዝበልዓ
እንጌራ ገለኳ ኣይፈለጠን። ዮሴፍ ከኣ መልክዔኛ፡ ትርኢቱ ድማ ጽቡቕ ነበረ።

7 ድሕርዚ ነገርዚ ኸኣ ኾነ፡ ንዮሴፍ ሰበይቲ ጐይታኡ ዓይና ኣውደቐትሉ እሞ፡ ምሳይ ደቕስ፡ በለቶ። 8
ንሱ ድማ እናኣበየ፡ ንሰበይቲ ጐይታኡ፡ እንሆ፡ ጐይታይ ኣብ ቤቱ ምሳይ እንታይ ከም ዘሎ ኣይፈልጥን
እዩ፡ ዘለዎ ዅሉ ድማ ኣብ ኢደይ ሂቡኒ እዩ፡ 9 ኣብዛ ቤት እዚኣ ኻባይ ዚስልጥን የልቦን፡ ሰበይቱ ኢኺ
እሞ፡ ብጀካኽስ ገለኳ ኣይከልኣንን። ከመይ ገይረ ኸ እዚ ዓብዩ ኽፍኣትን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ
ሓጢኣትን ክገብር እኽእል፧ በላ። 10 ኰነ ድማ፡ መዓልቲ ንመዓልቲ ንዮሴፍ እናተዛረበቶ ኽንሳ፡ ንሱ
ምስኣ ኪድቅስ ወይስ ምስኣ ኪነብር ኣይሰምዓን። 11 ኰነ ኸኣ፡ ሓንቲ መዓልቲ ዕዮኡ ኺገብር ናብ ቤት
ኣተወ፡ ኣብኣ ኣብታ ቤት ድማ ካብ ሰብ ቤት ገለ ሰብ ኣይነበረን። 12 ብኽዳኑ ቀጥ ኣቢላ ሒዛ ድማ፡
ምሳይ ደቕስ፡ በለቶ። ንሱ ግና ክዳኑ ኣብ ኢዳ ሐደገላ፡ ሀዲሙ ኸኣ ንግዳም ወጸ። 13 ንሳ ድማ ክዳኑ ኣብ
ኢዳ ኸም ዝሐደገን ንግዳም ከኣ ከም ዝሀደመን ምስ ረኣየት፡ 14 ንሰድራ ቤታ ጸዊዓ፡ ርአዩ፡ ኪሰሓቐልናስ

እብራዊ ሰብኣይ ኣእትዩልና፡ ንሱ ምሳይ ኪድቅስ ናባይ ኣተወ፡ ኣነ ኸኣ ዓው ኢለ ኣእዊኸ። 15 ኰነ ድማ፡
ቃለይ ዓው ኣቢለ ኽም ዘእዊኹ ምስ ሰምዔ፡ ክዳኑ ሐዲጉለይ፡ ሀዲሙ ንግዳም ወጸ፡ ኢላ ተዛረበቶም።
16 ነቲ ኽዳኑ ድማ፡ ጐይታኡ ናብ ቤቱ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ምስኣ ኣንበረቶ። 17 ከምዚ ኢላ ኸኣ እዚ ነገርዚ
ነገረቶ፡ እቲ ዘምጻእካልና እብራዊ ባርያ ኪሰሓቐለይ ናባይ ኣተወ። 18 ኰነ ድማ፡ ቃለይ ዓው ኣቢለ ምስ
ኣእዊኹ፡ ክዳኑ ሐዲጉለይ ንግዳም ሀደመ። 19 ኰነ ኸኣ፡ ጐይታኡ እታ ሰበይቱ ባርያኻ ኸምዚ ነገርዚ
ገበረኒ፡ ኢላ ዝነገረቶ ዘረባ ሰምዔ፡ ኲራኡ ነደደ። 20 ጐይታ ዮሴፍ ድማ ወሲዱ ናብታ ቤት ማእሰርቲ፡
እቶም እሱራት ንጉስ ዚእሰሩላ ቦታ፡ ኣእተዎ። ኣብኣ ኸኣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ነበረ።

21 እግዚኣብሄር ግና ምስ ዮሴፍ ነበረ፡ ምሕረት ድማ ገበረሉ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ሓለቓ ቤት ማእሰርቲ
ኸኣ ሞገስ ሀቦ። 22 እቲ ሓለቓ ቤት ማእሰርቲ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ንዝነበሩ ዅሎም እሱራት ኣብ
ኢድ ዮሴፍ ኣሕሊፉ ሀቦ። ኣብኡ ዝገበሮ ዘበለ ዅሉ፡ ገባሪኡ ንሱ ነበረ። 23 እግዚኣብሄር ምስኡ ስለ
ዝነበረ፡ እቲ ሓለቓ ቤት ማእሰርቲ በቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ብገለኳ ኣይሐልን ነበረ። ዝገበሮ ዅሉ ድማ
እግዚኣብሄር የቕንዓሉ ነበረ።

## ምዕራፍ 40

1 ድሕርዚ ነገርዚ ኸኣ ኾነ፡ ናይ ንጉስ ግብጺ ኣሰላፍ ሜሱን ሰንካት እንጌራኡን ንጐይታኦም ንጉስ
ግብጺ በደሉ። 2 ፈርኦን ድማ ብኽልቲኦም መኳንንቱ፡ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስን ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራን፡
ተቘጥዔ፡ 3 ናብ ቤት ሓለቓ ዘብዔኛታት ኪሕለዉ፡ ናብታ ዮሴፍ ተኣሲሩላ ዝነበረ ቦታ፡ ናብ ቤት
ማእሰርቲ ኣእተዎም። 4 እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ከኣ ንዮሴፍ ምስኦም ኪኸውን አዘዞ፡ ንሱ ድማ
ኣገልገሎም። ኣብኡ ኸኣ ሓያሎ መዓልቲ ተሐለዉ።

5 እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተኣሲሮም ዝነበሩ ኣሰላፍ ሜሱን ሰንካት እንጌራኡን ንንጉስ ግብጺ
ኽልቲኦም ብሓንቲ ለይቲ በበይኑ ዝምፍታሑ ሔሕልሞም ሐለሙ። 6 ዮሴፍ ንግሆ ናባታቶም አትዩ፡
እነዉለ ጒህዮም ረአዮም። 7 ሽዑ ነቶም ኣብ ቤት ጐይታኡ ምስኡ ዚሕለዉ ዝነበሩ መኳንንቲ ፈርኦን፥
እንታይ ኳንኩም ኢኹም ሎሚ ገጽኩም ጸሊምኩም ዘሎኹም፤ ኢሉ ሐተቶም። 8 ሕልሚ ሐሊምና እሞ፡
ዚፈትሖ ድማ የልቦን፡ በልዎ። ዮሴፍ ድማ፥ እቲ ምፍታሕ ናይ እግዚኣብሄርዶ ኣይኰነን፤ እስኪ
ሕልሙኸ ንገሩኒ፡ በሎም። 9 እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ከኣ ሕልሙ ንዮሴፍ፡ እንሆ፡ ብሕልመይ ኣብ
ቅድመይ ኦም ወይኒ ርኤኹ። 10 ኣብታ ኦም ወይኒ ድማ ሰለስተ ጨነፍር ነበረ፡ ኪጥጥዕ ከሎ ኸኣ
ዕምበበ፡ እቲ ዘለላኡ ድማ ብሱል ዘቢብ ሀበ። 11 ጽዋእ ፈርኦን ድማ ኣብ ኢደይ ነበረት፡ ነቲ ዘቢብ
ወሲደ ኸኣ ናብ ጽዋእ ፈርኦን ጸመቑክዎ፡ እታ ጽዋእ ድማ ንፈርኦን ኣብ ኢዱ ሀብክዎ። 12 ዮሴፍ ከኣ
በሎ፡ ምፍታሑ እዚ እዩ፡ እቲ ሰለስተ ጨንፈር ሰለስተ መዓልቲ እዩ። 13 ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ፈርኦን
ንርእስኻ ኽብ ኬብል፡ ናብ ሽመት ቀደምካውን ኪመልሰካ እዩ። ከምቲ ናይ ቀደም ኣሰላፊኡ ኸሎኻ
ዝነበረ ስርዓት ከኣ፡ ጽዋእ ፈርኦን ኣብ ኢዱ ኽትህቦ ኢኻ። 14 ምስ ዚቐንዓካ ድማ ዘክረኒ፡ በጃኻ፡
ምሕረት ግበረለይ፡ ንፈርኦን ከኣ ንገረለይ እሞ ካብዛ ቤት እዚኣ ኣውጽኣኒ። 15 ኣነ ኻብ ምድሪ
እብራውያን ብስርቂ እተጨዌኹ እየ እሞ፡ ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ ዜእቱ ድማ ገለኳ ኣይገበርኩን። 16 እቲ
ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራ ኸኣ ጽቡቕ ከም ዝፈትሖ ምስ ረኣየ፡ ንዮሴፍ፡ ኣነ ድማ ብሕልመይ እንሆ፡
ሰለስተ መሶብ ጻዕዳ እንጌራ ኣብ ርእሰይ ነበረ። 17 ኣብቲ ላዕላይ መሶብ ከኣ ካብ ኵሉ ዓይነት ብልዒ

ፈርኦን ግቡር እንጌራ ነበረ። ካብቲ ኣብ ርእሰይ ዘሎ መሶብ ድማ ኣዕዋፍ ካብኡ ይበልዓ ነበራ፡ በሎ። [18] ዮሴፍ ከኣ፡ ምፍታሑ እዚ እዩ፡ እቲ ሰለስተ መሶብ ሰለስተ መዓልቲ እዩ፡ [19] ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ፈርኦን ርእስኻ ካባኻ ኪወስድ፡ ኣብ ዕጨይቲ ድማ ኪሰቕለካ እዩ። ስጋኻ ኸኣ ካባኻ ኣዕዋፍ ኪበልዓኦ እየን፡ ኢሉ መለሰ።

[20] ኰነ ድማ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ፡ ንፈርኦን መዓልቲ ልደቱ ነበረ እሞ፡ ንኹሎም ገለዉኡ ምሳሕ ገበረሎም። ሽዑ ንርእሲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስን ርእሲ ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራን ኣብ ማእከል ገላውኡ ኸብ ኣበለ። [21] ነቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ናብ ኣሰላፍነቱ መለሶ፡ ንሱ ድማ እቲ ጽዋእ ኣብ ኢድ ፈርኦን ሀበ። [22] ነቲ ሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራ ግና፡ ከምቲ ዮሴፍ ዝፈትሓሎም፡ ሰቐሎ። [23] እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ግና ንዮሴፍ ረስዖ እምበር፡ ኣይዘከሮን።

# ምዕራፍ 41

[1] ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ኽልተ ዓመት ፈርኦን ሐለመ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብ ገምገም ርባ ደው ኢሉ ነበረ። [2] እንሆ ድማ፡ ሾብዓተ ንምርኣየን ጽቡቓት፡ ስጋኤን ከኣ ስቡሓት ኣሓ ኻብቲ ርባ ወጺኤን ኣብቲ ሰልሰላ ኺበልዓ ረኣየ። [3] ደድሕሪኤን ድማ እንሆ፡ ካልኦት ሾብዓተ ንምርኣየን ከፉኣት፡ስጋኤን ከኣ ዓባሩ ኣሓ ኻብቲ ርባ ወጺኤን ኣብ ጥቓ እተን ቀዳሞት ኣብ ገምገም ርባ ደው በላ። [4] እተን ንምርኣየን ከፉኣት፡ ስጋኤን ከኣ ዓባሩ ኣሓ ነተን ሾብዓተ ንምርኣየን ጽቡቓትን ስቡሓትን ኣሓ ወሐጥኤን። ፈርኦን ድማ ተበራበረ። [5] ደቀሰ እሞ ካልኣይ ሳዕውን ሐለመ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብ ሓንቲ ብርዒ ሾብዓተ ፍሩያትን ጽቡቓትን ሰዊት ወጸ። [6] ድሕሪኤን ከኣ እንሆ፡ ሾብዓተ ቐጠንቲ ብንፋስ ምብራቕ ዝሀጐጓ ሰዊት ወጸ። [7] እተን ቀጠንቲ ሰዊት ድማ ነተን ሾብዓተ ፍሩያትን ምሉኣትን ሰዊት ወሓጥኤን። ፈርኦን ከኣ ተበራበረ፡ እንሆ ድማ፡ ሕልሚ ነበረ። [8] ኰነ ድማ፡ ምስ ወግሔ፡ መንፈሱ ኣዕሎበጠ፡ ሽዑ ልኢኹ ንኹሎም ጠቢባን ግብጽን ንኹሎም ፈላጣትን ጸውዖም። ፈርኦን ከኣ ሕልሙ ነገሮም። ንፈርኦን ዚፈትሓሉ ግና ኣይነበረን።

[9] ሽዑ እቲ ሓለቓ ኣሰለፍቲ ሜስ ንፈርኦን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ኣነ ሎሚ ሓጢኣተይ ዘከርኩ። [10] ፈርኦን ብገላውኡ ተቖጥዔ፡ ንኣይን ንሓለቓ ሰንከትቲ እንጌራን ከኣ ናብ ቤት ሓለቓ ዘብዔኛታት ኣእተወና። [11] ኣነን ንሱን ብሓንቲ ለይቲ ሕልሚ ሐለምና፡ በበይኑ ዝምፍታሑ ሕልሚ ሐለምና። [12] ኣብኡ ድማ እብራዊ ጐበዝ፡ ባርያ ሓለቓ ዘብዔኛታት፡ ምሳና ነበረ። ንእኡ ነገርናዮ፡ ንሱ ኸኣ ሕልምታትና ፈትሓልና፡ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ሕልሙ ፈትሐ። [13] ኰነ ድማ፡ ከምቲ ዝፈትሓልና ከምኡ ኾነ። ንኣይ ናብ ኣሰላፍነተይ መለሰኒ፡ ነቲ ኸኣ ሰቐሎ።

[14] ሽዑ ፈርኦን ልኢኹ ንዮሴፍ ጸውዖ። ቀልጢፎም ድማ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣውጽእዎ። ንሱ ኸኣ ተላጸዩ ኽዳኑ ለዊጡ ኣብ ፈርኦን ኣተወ። [15] ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ሕልሚ ሐሊመ፡ ዚፈትሖ ድማ የልቦን። ኣነ፡ ሕልሚ ምስ ሰማዕካ ኽም እትፈትሖ፡ ብዛዕባኻ ኺዛረቡ ሰሚዔ፡ በሎ። [16] ዮሴፍ ድማ ንፈርኦን፡ እዚ ካባይ ኣይኰነን፡ ኣምላኽ ደኣ ንፈርኦን ነገር ሰላም ኪመልሰሉ እዩ፡ ኢሉ መለሰ። [17] ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ ተዛረቦ፡ እንሆ፡ ኣነ ብሕልመይ ኣብ ገምገም ርባ ደው ኢለ ነበርኩ። [18] እንሆ ኸኣ፡ ሾብዓተ ስቡሓትንመልከዔን ከኣ ጽቡቓትን ኣሓ፡ ካብቲ ርባ ደይበን፡ ኣብ ሰልሰላ ይበልዓ ነበራ። [19]

እንሆ ድማ፡ ደድሕሪኤን ካልኦት ሾብዓተ፡ ከማታተን ዝምኽፉኤን ኣብ ኵላ ሃገር ግብጺ እኳ ዘይርኤኹ፡
ዝማሰናን ትርኢተን ኣዝየን ክፉኣትን ዓባሩን ኣሓ ወጻ። [20] እተን ዓባሩን ክፉኣትን ኣሓ ድማ ነተን
ሾብዓተ ቐዳሞት ስቡሓት ኣሓ ወሓጥኤን፡ [21] ኣብ ከብደን ድማ አተዋ። ኣብ ከብደን ከም ዝኣተዋ ኸኣ
ኣይተፈልጠን፡ ትርኢተን ከም ቀደመን ክፉኣት ነበራ። ተበራበርኩ ድማ። [22] ብሕልመይ ከኣ እንሆ፡
ሾብዓተ ፍሩያትን ጽቡቓትን ሰዊት ኣብ ሓንቲ ብርዒ ኺወጻ ርኤኹ። [23] ድሕሪኤን ድማ እንሆ፡ ዓሸልን
ቀጠንትን ብንፋስ ምብራቕ ዝሀጐጓ ሾብዓተ ሰዊት ወጻ። [24] እተን ቀጠንቲ ሰዊት ድማ ነተን ሾብዓተ
ጽቡቓት ሰዊት ወሐጥኤን። እዚ ነቶም ጠቢባን ነገርክዎም፡ ዚፈትሓለይ ከኣ ኣይነበረን።

[25] ዮሴፍ ድማ ንፈርኦን በሎ፡ ሕልሚ ፈርኦን ሓደ እዩ። ኣምላኽ ኪገብሮ ዘለዎ ንፈርኦን ኣግሀደሉ። [26]
እተን ሾብዓተ ጽቡቓት ኣሓ ሾብዓተ ዓመት እየን፡ እተን ሾብዓተ ጽቡቓት ሰዊት ድማ ሾብዓተ ዓመት
እየን። ሕልሙ ሓደ እዩ። [27] እተን ደድሕሪኤን ዝወጻ ሾብዓተ ሰዊት ድማ ሾብዓተ ዓባሩን ክፉኣትን ኣሓ
ኸኣ ሾብዓተ ዓመት እየን። እተን ዓሸል ብንፋስ ምብራቕ ዝሀጐጋ ሾብዓተ ሰዊት ድማ ሾብዓተ ዓመት
ጥሜት ኪኾና እየን። [28] እቲ ንፈርኦን ዝነገርክዎ እዚ እዩ፡ ኣምላኽ እቲ ኺገብሮ ዘለዎ ንፈርኦን ኣርኣዮ።
[29] እንሆ፡ ኣብ ብዘላ ሃገር ግብጺ ብዙሕ ጽጋብ ዝኾነለን ሾብዓተ ዓመት ኪመጻ እየን። [30] ብድሕሪኤን
ከኣ ሾብዓተ ዓመት ጥሜት ኪመጻ እየን። ብእኤን እቲ ኹሉ ጽጋብ ኣብ ሃገር ግብጺ ኺርሳዕ እዩ። እቲ
ጥሜት ከኣ ነታ ሃገር ኪውድኣ እዩ። [31] ንሱ ኣዝዩ ኺብርትዕ እዩ እሞ፡ ካብቲ ድሕሪት ዚኸውን ጥሜት
እተላዕለ እቲ ኣብታ ሃገር ዝነበረ ጽጋብ ኣይፍለጥን። [32] እቲ ፈርኦን ካልኣይ ሳዕ ደጊሙ ምሕላሙ እቲ
ነገር ካብ ኣምላኽ ስለ እተቘርጸ እዩ፡ ኣምላኽ ከኣ ቀልጢፉ ኺገብሮ እዩ። [33] ሕጂ ድማ ፈርኦን
ኣስተውዓልን ፈላጥን ሰብኣይ ይድለ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ይሸሞ። [34] ፈርኦን ድማ በዘን ሾብዓተ
ዓመት ጽጋብ ካብ ፍርያት ምድሪ ግብጺ ሓምሳይ ኣፍ ዜውጽኡ ኣዘዝቲ ኣብ ሃገር ይሸም። [35] ናይዘን
ዝመጻ ዘለዋ ዓመታት ጽጋብ ዚብላዕ ዝኾነ ኹሉ ይኣክቡ። እቲ እኽሊ ድማ ንቐለብ ኪኸውን ኣብ
ትሕቲ ኢድ ፈርኦን ኣብ ከተማታት ይደለብ፡ ይሐልውዎ ኸኣ። [36] እቲ እኽሊ ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ
ዚመጻ ሾብዓተ ዓመት ጥሜት ነታ ሃገር ኪኸውን ይተዐቘር፡ እታ ሃገር ከኣ ብጥሜት ኣይትጠፍእን።

[37] እዚ ነገርዚ ድማ ኣብ ቅድሚ ፈርኦንን ኣብ ቅድሚ ኹሎም ገላውኡን ጽቡቕ ኰነ። [38] ፈርኦን ከኣ
ንገላውኡ፡ ከምዚ ዝበለ መንፈስ ኣምላኽ ዘለዎ ሰብኣይ ዶኾን ንረክብ፧ በሎም። [39] ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡
ኣምላኽ እዚ ኹሉ ንኣኻ ኻብ ኣፍለጠካ፡ ከማኻ ዝበለ ኣስተውዓልን ፈላጥን የልቦን። [40] ንስኻ ኣብ
ልዕሊ ቤተይ ኩን፡ ኵሉ ህዝበይ ንቓልካ ይተኣዘዝ፡ ኣነ ብዝፋነይ ጥራይ እየ ኻባኻ ዝዐቢ፡ በሎ። [41]
ፈርኦን ከኣ ንዮሴፍ፡ ርኤ፡ ኣብ ልዕሊ ኹላ ሃገር ግብጺ ሸይመካ ኣሎኹ፡ በሎ። [42] ፈርኦን ድማ ቀለቤቱ
ኻብ ኢዱ ኣውጺኡ ናብ ኢድ ዮሴፍ ገበረሉ፡ ሻሽውን ከደኖ፡ ኣብ ክሳዱ ኸኣ ድሪ ወርቂ ገበረሉ። [43]
ናብ ካልኣይቲ ሰረገላኡ ድማ ኣወጥሖ፡ ቀቅድሚኡ ኸኣ፡ ስገድ፡ ኢሎም ጨደሩ። ኣብ ልዕሊ ኹላ ሃገር
ግብጺውን ሾሞ። [44] ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፡ ኣነ ፈርኦን እየ፡ ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ብዘይ ፍቓድካ ኢዱ
ወይስ እግሩ ኣየልዕል፡ በሎ። [45] ፈርኦን ከኣ ንዮሴፍ ስሙ ጻፍናትጳዕናሕ ኣውጽኣሉ። ኣሰናት፡ ጓል
ጶጢፌራዕ ካህን ኦን፡ ሰበይቲ ኽትኰኖ ሀቦ። ዮሴፍ ከኣ ናብ ምድሪ ግብጺ ወጸ።

[46] ዮሴፍ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ደው ኪብል ከሎ፡ ወዲ ሰላሳ ዓመት ነበረ። ዮሴፍ ካብ
ቅድሚ ፈርኦን ወጺኡ ናብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ዞረ። [47] እታ ምድሪ ድማ በተን ሾብዓተ ዓመት ጽጋብ
ብዙሕ ሓፍሻ ሀበት። [48] ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝነበረ ኹሉ ናይተን ሾብዓተ ዓመት እኽሊ ድማ አከበ፡ ነቲ
እኽሊ ኸኣ ኣብ ከተማታት ደለቦ። እኽሊ እቲ ኣብ ዙርያ ኽተማታት ዝነበረ ግራሁ ድማ ነናብ ማእከል

ከታማኡ ኣከበ። [49] ዮሴፍ ከኣ፡ እቲ እኽሊ ቊጽሪ ዜብሉ ነበረ እሞ፡ ምቊጻር ክሳዕ ዚሐድጎ፡ ከም ሑጻ ባሕሪ ኣዝዩ ብዙሕ ኣከበ። [50] ገና ዓመት ጥሜት ከይመጸት ከላ፡ ኣሰናት፡ ጓል ጶጢፌራዕ ካህን ኦን፡ ዝወለደትሉ፡ ንዮሴፍ ክልተ ወዲ ተወልዱሉ። [51] ዮሴፍ ድማ፡ ኣምላኽ ኵሉ መከራይን ኵሉ ቤት ኣቦይን ኣረሲዑኒ እዩ እሞ፡ ኢሉ ስም እቲ በዅሪ ምናሴ ኣውጽኣሉ። [52] ነቲ ኻልኣይ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ መከራይ ኣፍርዩኒ፡ ኢሉ ስሙ ኤፍሬም ኣውጽኣሉ።

[53] እተን ኣብ ምድሪ ግብጺ ዝነበራ ሾብዓተ ዓመት ጽጋብ ከኣ ሐለፋ። [54] ከምቲ ዮሴፍ ዝበሎ ድማ፡ እተን ሾብዓተ ዓመት ጥሜት ኪአትዋ ጀመራ። ኣብ ኵለን ሃገራት ከኣ ጥሜት ኰነ። ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ግና እንጌራ ነበረ። [55] ኵላ ሃገር ግብጺ ምስ ጠመየት ድማ፡ እቲ ህዝቢ ብዛዕባ እንጌራ ናብ ፈርኦን ጠርዔ። ፈርኦን ድማ ንዅሎም ግብጻውያን፡ ናብ ዮሴፍ ኪዱ እሞ ንሱ ዚብለኩም ግበሩ፡ በሎም። [56] ኣብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ ድማ ጥሜት ኰነ። ዮሴፍ ከኣ ኵሉ ሪቕ ከፊቱ፡ ንግብጻውያን እኽሊ ሸጠሎም። እቲ ጥሜት ድማ ኣብ ሃገር ግብጺ እናበርትዔ ኸደ። [57] እቲ ጥሜት ኣብ ኵላ ምድሪ እናበርትዔ ኸደ እሞ፡ ካብ ኵለን ሃገራት እኽሊ ኪሸምቱ፡ ናብ ዮሴፍ ናብ ግብጺ ይመጹ ነበሩ።

# ምዕራፍ 42

[1] ያእቆብ ድማ ኣብ ግብጺ እኽሊ ኸም ዘሎ ረአየ እሞ፡ ያእቆብ ንደቁ፡ ስለምንታይ ንሓድሕድኩም ትርኣኣዩ፧ በሎም። [2] እንሆ፡ እኽሊ ኣብ ግብጺ ኸም ዚርከብ ሰሚዔ፡ ክንድሕንን ከይንመውትን ከኣ ናብኣ ወሪድኩም፡ ካባኣ ሸምቱልና፡ በሎም።

[3] እቶም ዓሰርተ እሕዋት ዮሴፍ ከኣ እኽሊ ኪሸምቱ፡ ናብ ግብጺ ወረዱ። [4] ንብንያም ሓው ዮሴፍ ግና፡ ገለ ድንገት ከይረኽቦ ኢሉ፡ ያእቆብ ምስ ኣሕዋቱ ኣይሰደዶን። [5] ኣብ ምድሪ ኸነኣን ጥሜት ነበረ እሞ፡ ደቂ እስራኤል ኣብ መንጎ እቶም ዝመጹ ኹይኖም እኽሊ ኺሸምቱ መጹ። [6] ነታ ሃገር ዚእዝዛ ድማ ዮሴፍ ነበረ፡ ንዅሉ ህዝቢ እታ ሃገር እኽሊ ዚሸምት ከኣ ንሱ ነበረ። ኣሕዋት ዮሴፍ ድማ መጹ፡ ኣብ ቅድሚኡ ብገጾም ኣብ ምድሪ ተደፍኡ። [7] ዮሴፍ ከኣ ኣሕዋቱ ርእዩ ኣለለዮም፡ ንርእሱ ግና ጓና ኣምሰለሎም፡ ኣበርቲዑ ድማ ተዛረቦም፡ ካበይ ዝመጻእኩም ኢኹም፧ ድማ በሎም። ካብ ምድሪ ኸነኣን እኽሊ ኽንሸምት፡ በሉ። [8] ዮሴፍ ከኣ ነሕዋቱ ኣለለዮም፡ ንሳቶም ግና ኣየለለይዎን። [9] ዮሴፍ ድማ ነቲ ብዛዕብኦም ሐሊምዎ ዝነበረ ሕልምታት ዘከረ፡ ንስኻትኩም፡ እዛ ሃገር ቃልዕ ምዃና ኽትርእዩ ዝመጻእኩም፡ ሰለይቲ ኢኹም፡ ከኣ በሎም። [10] ንሳቶም መለሱሉ፡ ኣይፋልናን ጐይታይ፡ ገላውኻስ ቀለብ ኪሸምቱ ደኣ መጹ፡ ድማ በልዎ። [11] ንሕና ዅልና ደቂ ሓደ ሰብኣይ ኢና፡ ንሕና ቅኑዓት ኢና፡ ገላዉኻ ሰለይቲ ኣይኰኑን። [12] ንሱ ድማ፡ ኣይፋልኩምን፡ እዛ ሃገር ቃልዕ ምዃና ኽትርእዩ ዝመጻእኩም ኢኹም፡ በሎም። [13] ንሳቶም ከኣ፡ ንሕና ገላዉኻ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዓሰርተው ክልተ ኣሕዋት፡ ደቂ ሓደ ሰብኣይ ኢና። እንሆ ድማ፡ እቲ ንእሽቶ ሎሚ ምስ ኣቦና ኣሎ፡ እቲ ሓደ ኸኣ የሎን፡ በሉ። [14] ዮሴፍ ድማ በሎም፡ እቲ ሰለይቲ ኢኹም ኢለ ዝበልኩኹም ንሱ እዩ። [15] በዚ ኽትፍተኑ ኢኹም፡ እቲ ንእሽቶ ሓውኩም ናብዚ ኽይመጽ፡ ካብዚ ኽይትወጹ፡ ህይወት ፈርኦን እዩ። [16] ሓደ ኻባኻትኩም ንሓውኩም ዜምጽእ ስደዱ፡ ንስኻትኩም ድማ ሓቂ እንተሎኩም፡ ዘረባኹም ኪፍተን፡ ክትእሰሩ ኢኹም። እንተዘይኰነስ፡ ብህይወት ፈርኦን፡ ሰለይቲ ኢኹም። [17] ብሓደ ገይሩ፡ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሐለዎም። [18] ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ዮሴፍ በሎም፡ ኣነ ኣምላኽ እፈርህ እየ እሞ፡እዚ ግበሩ ትነብሩ ድማ። [19]

ቅኑዓት እንተኾንኩምሲ፡ ሓደ ሓውኩም ኣብታ ተኣሲርኩምላ ዝነበርኩም ቤት ይተኣሰር። ንስኻትኩም
ድማ ኪድኩም፡ እቲ ንጥሜት ኣባይትኹም ዚኸውን እኽሊ ኣብጽሑ። 20 እቲ ንእሽቶ ሓውኩም ድማ
ናባይ ኣምጽእዎ፡ እቲ ቓልኩም ከኣ ሓቂ ምዃኑ ይእመን፡ ኣይትሞቱን ድማ። ከምኡውን ገበሩ።

21 ንሓድሕዶም ከኣ፡ ብሓቂ ኣብ ሓውና በደልና፡ እቲ ምሕረት ኪልምነና ኸሎ፡ ጸበባ ነፍሱ እናርኤና
ኣይሰማዕናዮን፡ ብሰርዚ እዚ መከራዚ በጽሓና፡ ተባሃሀሉ። 22 ሮቤል ከኣ፡ ኣብዚ ቈልዓ ኣይትበድሉ፡
ኢለዶ ኣይበልኩኹምን፧ ንስኻትኩም ግና ኣይሰማዕኩምንን። ስለዚ ድማ እንሆ፡ ደሙ ይድለ ኣሎ፡ ኢሉ
መለሰሎም። 23 ኣስተርጓሚ ኣብ መንጎኦም ነበረ እሞ፡ ንሳቶም፡ ዮሴፍ ከም ዚሰምዖም ኣይፈለጡን
ነበሩ። 24 ካባታቶም ኣግሊሱ ኸኣ በኸየ፡ ናባታቶም ተመሊሱ ድማ ተዛረቦም፡ ንስምኦን ከኣ ካባታቶም
ወሲዱ ኣብ ቅድሚኦም ኣሰሮ።

25 ዮሴፍ ድማ ነቲ ዓያብቶም እኽሊ ኺመልኣሎም እቲ ገንዘቦም ከኣ ኣብ ዕዓይበቶም ኪመልሱሎም፡
ንመገዲውን ሲቂ ኪህብዎም ኣዘዘ። ከምኡ ኸኣ ገበሩሎም። 26 እቲ እኽሊ ኣብ ኣእዱጎም ጽዒኖም ከኣ
ካብኡ ኸዱ። 27 ኣብ መሕደሪ ድማ ሓደ ኻባታቶም ንኣድጉ ድርቆ ኺህብ፡ ዓይበቱ ኸፈተ፡ እንሆ፡ እቲ
ገንዘቡ ኣብ ኣፍ ዓይበቱ ረኣየ። 28 ነሕዋቱ ኸኣ፡ እቲ ገንዘበይ ተመሊሱ፡ እንሆ ኣብ ዓይበተይ፡ በሎም።
ልቦም መሊቑዎም ራዕራዕ እናበሉ፡ ንሓድሕዶም፡ እዚ ኣምላኽ ገይሩና ዘሎ እንታይ እዩ፧ ተባሃሀሉ።

29 ናብ ኣቦኦም ያእቆብ ድማ ናብ ምድሪ ኸነኣን መጹ፡ ዝበጽሖም ኵሉ ኸኣ ከምዚ ኢሎም ነገርዎ፡ 30
እቲ ሰብኣይ፡ ጐይታ እታ ሃገር፡ ኣበርቲዑ ተዛረበና፡ ከም ሰለይቲ እታ ሃገር ከኣ ገበረና። 31 ንሕና ሰለይቲ
ኣይኰንናን፡ ቅኑዓት ሰብ ኢና፡ 32 ንሕና ዓሰርተው ክልተ ኣሕዋት ደቂ ኣቦና ኢና፡ እቲ ሓደ የሎን፡ እቲ
ንእሽቶ ድማ ሎሚ ምስ ኣቦና ኣብ ምድሪ ኸነኣን ኣሎ፡ በልናዮ። 33 እቲ ሰብኣይ፡ ጐይታ እታ ሃገር ከኣ፥
ንስኻትኩም ቅኑዓት እንተ ኾንኩም፡ በዚ ኽፈልጥ እየ፡ ሓደ ሓውኩም ምሳይ ሕደጉ፡ እቲ ንጥሜት
ኣባይትኹም ዚኸውን እኽሊ ሒዝኩም ድማ ኪዱ። 34 ነቲ ንእሽቶ ሓውኩም ከኣ ናባይ ኣምጽእዎ። ሽዑ
ንስኻትኩም ቅኑዓት እምበር፡ ሰለይቲ ኸም ዘይኰንኩም እፈልጥ፡ ሓውኩም ድማ ከህበኩም እየ፡ ኣብዛ
ሃገርውን ትነግዱ፡ በለና።

35 ኰነ ኸኣ፡ ዓያብቶም ምስ ኣዕረቑ፡ እንሆ፡ ንነፍሲ ወከፍ እቲ ጥቕላል ገንዘቡ ኣብ ዕይበቱ ነበረ።
ንሳቶምን ኣቦኦምን ነቲ ጥቕሉል ገንዘቦም ምስ ረኣዩ፡ ሰምበዱ። 36 ኣቦኦም ያእቆብ ድማ፡ ውሉድ ዜልቦ
ገበርኩምኒ። ዮሴፍ የሎን፡ ስምኦን ከኣ የሎን፡ ንብንያምዶ ድማ ኽትወስድዎ ኢኹም፧ እዚ ኹሉ ኣባይ
ኰይኑ ኣሎ፡ በሎም። 37 ሮቤል ከኣ ነቦኡ፥ ኣብ ኢደይ ሕድሪ ሀበኒ፡ ኣነ ድማ ናባኻ ኽመልሶ፡ ናባኻ
እንተ ዘየምጻእክዎ፡ ንኽልቲኦም ደቀይ ቅተል፡ ኢሉ ተዛረቦ። 38 ንሱ ኸኣ፡ ሓዉ ሞይቱ፡ ንሱ ድማ በይኑ
ተሪፉ እዩ እሞ፡ ወደይሲ ምሳኻትኩም ኣይወርድን። ኣብቲ እትኸድዎ መገዲ ገለ ጕድኣት እንተ ረኸቦ፡
ሽዑ ንሽበተይ ብሓዘን ናብ ሽኦል ተውርድዎ፡ በለ።

# ምዕራፍ 43

1 እቲ ጥሜት ከኣ ኣብታ ሃገር በርትዔ። 2 ኰነ ድማ፡ እቲ ኻብ ግብጺ ዘምጽእዎ እኽሊ በሊዖም ምስ
ወድኡ፡ ኣቦኦም፡ ተመሊስኩም ሒደት እኽሊ ሸምቱልና፡ በሎም። 3 ይሁዳ ኸኣ፡ እቲ ሰብኣይ
ኣሕሚሙ፡ ሓውኩም ምሳኻትኩም እንተ ዘየሎ፡ ገጸይ ኣይትርእዩን ኢኹም፡ በለና። 4 ንሓውና ምሳና

ትሰዶ እንተ ኼንካ፡ ወሪድና እኽሊ ኽንሸምተልካ ኢና። [5] ዘይትሰዶ እንተ ኼንካ ግና፡ እቲ ሰብኣይ፡
ሓውኩም ምሳኻትኩም እንተ ዘየሎ፡ ገጸይ ኣይትርእዩን ኢኹም፡ ኢሉና እዩ እሞ፡ ኣይንወርድን ኢና፡
በሎ። [6] እስራኤል ከኣ፥ ስለምንታይ ነቲ ሰብኣይ ገና ሓደ ሓው ኣሎና ኢልኩም ብምንጋርኩም
ኣኽፋእኩምለይ፧ በለ። [7] ንሳቶም ድማ፡ እቲ ሰብኣይ ብዛዕባናን ብዛዕባ ወለዶናን፡ ኣቦኹም ገናዶ
ብህይወቱ ኣሎ፧ ካልእ ሓውከ ኣሎኩምዶ፧ ኢሉ ኣጸቢቑ ሓተተና። ንሕና ኸኣ ከምቲ ዘረባኡ ነገርናዮ።
ንሓውኩም ኣውርድዎ ኽምዚብለናዶ ፈሊጥና ኔርና፧ በሉ። [8] ይሁዳ ድማ ነቦኡ እስራኤል፡ ንሕናን
ንስኻን ሕጻናትናን ከንነብር እምበር፡ ከይንመውት፡ ተንሲእና ኽንከይድሲ፡ ነዚ መንእሰይ ምሳይ ስደዶ።
[9] ኣነ እውሐሶ፡ ካብ ኢደይ ድለዮ። ናባኻ ኣምጺኤ ኣብ ቅድሜኻ ደው እንተ ዘየበልክዎ፡ ብኹሉ ዘበን
ንኣኻ ሓጢኣት ከም ዝገበርኩ እኹን። [10] ከሳዕ ሕጂ እንተ ዘይንድንጉስ፡ ኤረ ኻልኣይ እዋን እኳ
ተመሊስና ምሀሎና ኔርና፡ በሎ። [11] ሽዑ ኣቦኦም እስራኤል፥ እዚ እንተ ደኣ ኾይኑስ፡ ከምዚ ግበሩ፡ ካብ
ፍረ እዛ ምድሪ ጸጽቡቑ ኣብ ዓያብትኹም ውሰዱ፡ ነቲ ሰብኣይ ዚኸውን ገጽ በረኸት፡ ሒደት ቀመም፡
ሒደት መዓር፡ ሽቱን ከርበን ካዕካዕን ለውዝን ተማልኡሉ። [12] ገንዘብ ድማ ካዕበት ጌርኩም ኣብ
ኢድኩም ውሰዱ፡ እቲ ኣብ ኣፍ ዓያብትኹም እተመልሰ ገንዘብ ከኣ፡ ምናልባሽ ናይ ጌጋ ኺይከውን፡
ብኢድኩም ምለስዎ። [13] ንሓውኩምውን ውሰድዎ፡ ተንሲእኩም ከኣ ናብቲ ሰብኣይ ተመለሱ። [14] ነቲ ሓደ
ሓውኩምን ንብንያምን ምሳኻትኩም ምእንቲ ኺሰዶም፡ እቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ እቲ
ሰብኣይ ምሕረት ይሀብኩም። ኣነ ውሉድ እንተ ሰኣንኩ፡ ውሉድ እስኣን፡ በሎም።

[15] እቶም ሰብ ድማ ነዚ ገጽ በረኸት እዚ ወሰዱ፡ ዕጽፊ ገንዘብ ከኣ ኣብ ኢዶም፡ ንብንያምውን ሒዞም
ተንስኡ፡ ናብ ግብጺ ወሪዶም ድማ ኣብ ቅድሚ ዮሴፍ ደው በሉ። [16] ዮሴፍ ከኣ ንብንያም ምሳታቶም
ምስ ረአየ፡ ንኣዛዚ ቤቱ፥ እዞም ሰባት እዚኣቶም ቀትሪ ምሳይ ኪምስሑ እዮም እሞ፡ ነዞም ሰባት ናብ
ቤተይ ኣእትዎም፡ ሕሩድ ሐሪድካውን ኣዳሉ፡ በሎ። [17] እቲ ሰብኣይ ድማ ከምቲ ዮሴፍ ዝበሎ ገበረ፡ እቲ
ሰብኣይ ከኣ ነቶም ሰባት ናብ ቤት ዮሴፍ ኣእተዎም። [18] እቶም ሰባት ድማ፡ ናብ ቤት ዮሴፍ ስለ
ዘእተዎም፡ ፈርሁ፡ ብዛዕባ እቲ በታ ቐዳመይቲ ጊዜ ኣብ ዓያብትና እተመልሰ ገንዘብ እዩ ንኣና ናብዚ
ዘእተወና፡ ጐይዩ ሓደጋ ኺወድቀና እሞ፡ ባሮት ክንከውን፡ ንኣናን ነእዱግናን ኪወስድ እዩ፡ ከኣ በሉ። [19]
ናብቲ ሰብኣይ፡ ኣዛዚ ቤት ዮሴፍ፡ ቀሪቦም ድማ፡ ኣብ ደገ ቤት ምስኡ ተዛረቡ፡ [20] በል ጐይታይ፡
ብቐዳማይ እኽሊ ኽንሸምት ወሪድና ነበርና። [21] ኰነ ኸኣ፡ ኣብ መሕደሪ ምስ በጻሕና፡ ዓያብትና
ኸፈትና፡ እንሆ ኸኣ፡ ገንዘብ ነፍሲ ወከፍ ከም ሚዛኑ ኣብ ኣፍ ዐዓይበቱ ነበረ፡ ኣብ ኢድና ኸኣ
መሊስናዮ ኣሎና። [22] እቲ ገንዘብ ድማ ናብ ዓያብትና መን ከም ዘእተዎ ኣይንፈልጥን፡ ካልእ ገንዘብውን
መሸመት እኽሊ ዚኸውን ኣብ ኢድና ኣምጺእና ኣሎና፡ በሉ። [23] ንሱ ድማ፡ ኣጆኹም ኣይትፍርሁ። ኣብ
ዓያብትኹም መዝገብ ዝሀበኩም ኣምላኽኩምን ኣምላኽ ኣቦኹም እዩ፡ ገንዘብኩምሲ ኣትዩኒ እዩ፡ በለ።
ንስምኦን ከኣ ናባታቶም ኣውጽኦ። [24] እቲ ሰብኣይ ነቶም ሰባት ናብ ቤት ዮሴፍ ኣእቲዩ ኣእጋሮም
ኪሕጸቡ ማይ ሀቦም፡ ነእዱጎም ድማ ድርቆ ሀበን። [25] ኣብኡ ኸም ዚምስሑ ሰሚዖም ነበሩ እሞ ዮሴፍ
ቀትሪ ኽሳዕ ዚመጽእ ነቲ ገጽ በረኸት ኣዳለዉዎ።

[26] ዮሴፍ ናብ ቤት ምስ መጸ፡ እቲ ኣብ ኢዶም ዘሎ ገጽ በረኸት ናብ ቤት ኣምጽኡሉ፡ ኣብ ምድሪ
ተደፊኦም ከኣ ሰገዱሉ። [27] ንሱ ድማ ብዛዕባ ጥዕናኦም ሐተቶም፡ እቲ ብዛዕብኡ እተዛረብኩምኒ ኣረጊት
ኣቦኹምከ ደሓንዶ ኣሎ፧ ገናዶ ብህይወቱ ኣሎ፧ ከኣ በሎም። [28] ንሳቶም ድማ፥ ኣቦና ጊልያኻ ደሓን እዩ፡
ብህይወቱ ኣሎ፡ በሉ፡ ድንን ኢሎም ድማ ሰገዱሉ። [29] ዓይኑ ቛሕ ኣቢሉ ንብንያም ሓዉ ወዲ ኣዲኡ

ርእዩ ድማ፥ እዝስ እቲ ብዛዕባኡ እተዛረብኩምኒ ንእሽቶ ሓውኩም ድዩ፧ በለ። ወደይ፡ እግዚኣብሄር
ሞገስ ይሀብካ፡ ከኣ በሎ። 30 ዮሴፍ ድማ ብዛዕባ ሓዉ ኣምዑቱ ትኹስኵስ ኢልዎ ተሀወኸ፡ ዚበኽየሉ
ስፍራ ደለዩ ናብ ሕልፍኙኡ ኣተወ፡ ኣብኡ ኸኣ በኸየ። 31 ገጹ ተሐጺቡ ወጸ፡ ልቡ ቐጥ ኣቢሉ ኸኣ፡
እንጌራ ኣቕርቡ፡ በለ። 32 ሽዑ ንእኡ ንበይኑ፡ ንኣታቶም ድማ ንበይኖም፡ ነቶም ምስኡ ዚበልዑ
ግብጻውያን ከኣ ንበይኖም ኣቕረቡሎም። ንግብጻውያን ምስ እብራውያን እንጌራ ምብላዕ ነውሪ እዩ
እሞ፡ ስለዚ ግብጻውያን ምስኦም ኪበልዑ ኣይኽእሉን እዮም። 33 እቲ በዅሪ ኸም ብዅርናኡ፡ እቲ
ንእሽቶ ኸኣ ከም ምንኣሱ ኣብ ቅድሚኡ ተቐመጡ። እቶም ሰባት ድማ ንሓድሕዶም ተደነቑ። 34 ካብቲ
ኣብ ቅድሚኡ ዝነበረ መብልዕ ከኣ ግዲኦም ኣቕረበሎም። ንብንያም ድማ ሓለፋ ግደ ዅሎም ሓሙሽተ
ኢድ ኣቕረበሉ። ሰትዮም ድማ ምስኡ ተሐጐሱ።

# ምዕራፍ 44

1 ንኣዛዝ ቤቱ ድማ፡ ንዓያብቲ እዞም ሰባት ኪወስድዎ ኸም ዚኽእሉ ጌርካ እኽሊ ምልኣሎም። ገንዘብ
ነፍሲ ወከፍ ድማ ኣብ ኣፍ ዐዓይበቱ ኣንብር። 2 ነታ ጽዋኤይ ድማ፡ እታ ጽዋእ ብሩር፡ ምስቲ ገንዘብ
እኽሉ ጌርካ ናብ ኣፍ ዓይበት እቲ ንእሽቶ ግበራ፡ ኢሉ ኣዘዞ። ከምቲ ዮሴፍ ዝበሎ ቓል ከኣ ገበረ። 3
ንግሆ ምስ በርሄ፡ ነቶም ሰባት ምስ ኣእዱጎም ይኺዱ ሐደግዎም። 4 ንሳቶም ካብ ከተማ ወጺኦም፡
ገናኺይረሐቑ፡ ዮሴፍ ንኣዛዝ ቤቱ በሎ፥ ተንስእ፡ ደድሕሪ እዞም ሰባት ስዐብ እሞ፡ ምስ ኣርከብካዮም፡
ከመይ ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ክፉእ ፈደኹም፧ 5 እታ ጐይታይ ዚሰትየላን ብእኣ ድማ ምስጢር ዚፈልጠላን
ጽዋእ እዚኣዶ ኣይኮነትን፧ እዚ ምግባርኩም ክፉእ ጌርኩም፡ በሎም።

6 ንሱ ኸኣ ኣርከቦም፡ እዚ ነገርዚ ድማ ተዛረቦም። 7 ንሳቶም ከኣ፥ ጐይታይ፡ ስለምንታይ ከምዚ ኢልካ
ትዛረብ፥ ከምዚ ዝበለ ነገር ምግባርሲ ኻብ ገላዉኻ የርሕቕ፡ 8 እቲ ኣብ ኣፍ ዓያብትና ዝረኸብናዮ ገንዘብ
እኳ፡ እንሆ፡ ካብ ምድሪ ኸንኣን መሊስናልካ። ካብ ቤት ጐይታኻ ግዳ ኸመይ ጌርና ብሩር ኰነ ወይ
ወርቂ ኽንሰርቕ፧ 9 ካብ ገላዉኻ እቲ እተረኽበቶ ይሙት፡ ንሕና ኸኣ ባሮት ጐይታይ ንኹን፡ በልዎ። 10
ንሱ ኸኣ፥ ሕጂ ኸም ዝበልኩሞ ይኹን። እቲ እተረኽበቶ፡ ንሱ ባርያይ ይኹን፡ ንስኻትኩም ግና ንጹሃት
ኢኹም፡ በለ። 11 ቀልጢፎም ከኣ ነፍሲ ወከፍ ዐዓይበቶም ናብ ምድሪ ኣውረዱ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ
ዓይበቱ ኸፈተ። 12 ንሱ ኸኣ በቲ ዓብዩ ጀሚሩ በቲ ንእሽቶ ኽሳዕ ዚውድእ ጐርጐሮም። እታ ጽዋእ ድማ
ኣብ ዓይበት ብንያም ተረኽበት። 13 ሽዑ ኽዳውንቶም ቀደዱ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣድጉ ጽዒኑ ድማ ናብ
ከተማ ተመልሱ።

14 ይሁዳን ኣሕዋቱን ከኣ ናብ ቤት ዮሴፍ ኣተዉ። ንሱ ገና ኣብኣ ነበረ። ኣብ ቅድሚኡ ድማ ናብ ምድሪ
ተደፍኡ። 15 ዮሴፍ ከኣ፡ እዚ ዝገበርኩምዎ እንታይ ግብሩ እዩ፧ ከማይ ዝበለ ሰብ ፈላጢ ኸም ዝዀነስ
ኣይትፈልጡንዶ፧ በሎም። 16 ይሁዳ ድማ፥ ንጐይታይ እሞ እንታይ ክንብል ኢና፡ እንታይስ ክንዛረብ፧
ከመይ ጌርናኽ ርእስና ኽነጽድቕ፧ ኣምላኽ በደል ባሮትካ ረኺበ፡ እኔና ንሕናን እቲ ኣብ ኢዱ ጽዋእ
እተረኽበቶን ባሮት ጐይታይ ኢና፡ በለ። 17 ንሱ ግና፥ ከምዚ ዝበለ ምግባርሲ ኻባይ ይርሐቕ፡ እቲ ኣብ
ኢዱ ጽዋእ እተረኽበቶ ሰብኣይ፡ ንሱ ባርያይ ይኹን፡ ንስኻትኩም ግና ናብ ኣቦኹም ብሰላም ደይቡ፡
በለ።

18 ሽዑ ይሁዳ ናብኡ ቐሪቡ በለ፡ በል ጐይታይ፡ ጊልያካ ሓንቲ ቓል ኣብ እዝኒ ጐይታይ ክዛረብ
እልምነካ ኣሎኹ፡ ንስኻ ከም ፈርኦን ኢኻ እሞ፡ ኵራኻ ኣብ ጊልያኻ ኣይንደድ። 19 ጐይታይ ንገላውኡ፡
ኣቦ ወይ ሓውከ ኣሎኩምዶ፧ ኢሉ ሐተቶም። 20 ንሕና ኸኣ ንጐይታይ፡ ኣረጊት ኣቦ ኣሎና፡ ኣብ እርግናኡ
ዝወለዶ ንእሽቶ ቘልዓ ድማ፡ ሓዉ ኸኣ ሞይቱ፡ እዚ ድማ ካብ ደቂ ኣዲኡ በይኑ ተሪፉ፡ ኣቦኡ ኸኣ
ይፈትዎ እዩ፡ በልናካ። 21 ሽዑ ንስኻ ንገላውኻ፡ ዓይነይ ክርእዮ ናባይ ኣውርድዎ፡ በልካና። 22 ንሕና ድማ
ንጐይታይ፡ እቲ ወዲ ኣቦኡ ኺሐድጎ ኣይክእልን፡ ነቦኡ እንተ ሐደጎስ፡ ኣቦኡ ኺመውት እዩ፡ በልናዮ። 23
ንገላዉኻ ድማ፡ እቲ ንእሽቶ ሓውኩም ምሳኻትኩም እንተ ዘይወረደ፡ ደጊም ገጸይ ኣይትርእዩንን
ኢኹም፡ በልካና። 24 ኰነ ኸኣ፡ ንሕና ናብ ጊልያኻ ኣቦይ ምስ ደየብና፡ ዘረባ ጐይታይ ነገርናዮ። 25 ኣቦና
ድማ፡ ተመሊስኩም ሒደት እኽሊ ሸምቱልና፡ በለ። 26 ንሕና ኸኣ፡ ክንወርድ ኣይንኽእልን። እዚ ንእሽቶ
ሓውና ምሳና እንተ ዘየሎ፡ ገጽ እቲ ሰብኣይ እቲ ኽንርኢ ኣይንኽእልን ኢና እሞ፡ እዚ ንእሽቶ ሓውና
ምሳና እንተሎ ግና፡ ንወርድ፡ በልና። 27 ኣቦይ ጊልያኻ ድማ፡ ሰበይተይ ክልተ ወዲ ኸም ዝወለደትለይ፡
ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። 28 እቲ ሓደ ኻባይ ወጸ፡ ኣነ ኸኣ፡ ብሓቂ ተበሊዑ እዩ፡ በልኩ። ክሳዕ
ሕጂ ድማ ኣይርኤኽዎን። 29 ነዚ ኸኣ ካብ ቅድመይ እንተወሰድክምዎ እሞ ድንገት እንተ ረኸቦ፡
ንሽበተይ ብጓሂ ናብ ሸኣል ከተውርድዎ ኢኹም፡ በለና። 30 ሕጂ ኸኣ ኣነ ናብ ኣቦይ ጊልያኻ እንተ
መጻእኩ እሞ፡ እዚ ወዲ ምሳና እንተ ዘየሎ፡ ነፍሱ ምስ ነፍሲ ወዱ ስለ እተጣበቐት፡ 31 ኪኸውን ድማ
እዩ፡ እዚ ወዲ ኸም ዘየሎ እንተ ረአየ፡ ኪመውት እዩ። ገላውኻ ኸኣ ንሽበት ኣቦና ጊልያኻ ብጓሂ ናብ
ሸኣል የውርዱ። 32 ጊልያኻ ነዚ ወዲ ኣብ ቅድሚ ኣቦይ፡ ናባኻ እንተ ዘየምጻእክዎ፡ ብዅሉ ዘበን ነቦይ
ሓጢኣት ከም ዝገበርኩ እኸውን፡ ኢሉ ተዋሒስዎ እዩ። 33 ሕጂ ድማ፡ጊልያኻ ኣብ ክንዲ እዚ ወዲ
ንጐይታይ ባርያ ኰይኑ ኪቕመጥ፡ እልምነካ ኣሎኹ። እዚ ወዲ ኸኣ ምስ ኣሕዋቱ ይደይብ። 34 እዚ ወዲ
ምሳይ ካብ ዘይህሉስ፡ ከመይ ኢለ ደኣ ናብ ኣቦይ ክድይብ እየ፧ እቲ ነቦይ ዚረኽቦ ኽፉእሲ ኣየርእየኒ።

# ምዕራፍ 45

1 ሽዑ ዮሴፍ ኣብ ቅድሚ እቶም ምስኡ ደው ኢሎም ዝነበሩ ዅሎም ልቡ ኼህድእ ኣይከኣለን እሞ፡
ዓው ኢሉ፡ ኵሎም ሰብ ካብ ቅድመይ ኣውጽኡለይ፡ በለ። እቲ ነሕዋቱ ኺላለዮም ከሎ፡ ምስ ዮሴፍ ገለ
ሰብ እኳ ኣይነበረን። 2 ቃሉ ዓው ኣቢሉ ድማ በኸየ፡ ግብጻውያን ከኣ ሰምዑ፡ ቤት ፈርኦንውን ሰምዔ። 3
ዮሴፍ ድማ ነሕዋቱ፡ ኣነ ዮሴፍ እየ፡ ኣቦይከ ኽሳዕ ሕጂዶ ብህይወቱ ኣሎ፧ በሎም። ኣሕዋቱ ድማ ኣብ
ቅድሚኡ ሰምበዱ እሞ፡ ኪመልሱሉ ኣይከኣሉን። 4 ዮሴፍ ከኣ ነሕዋቱ፡ በጃኹም ናባይ ቅረቡ፡ በሎም።
ቀረቡ ድማ። በለ ኸኣ፡ ኣነ ናብ ግብጺ ዝሸጥኩምኒ ዮሴፍ ሓውኩም እየ። 5 ኣምላኽ እዩ ህይወት
ንምድሓን ቀቅድሜኹም ዝለኣኸኒ እሞ፡ ሕጂ ድማ ናብዚ ስለ ዝሸጥኩምኒ ኣይትጕሀዩ፡ ኣይትጨነቑ። 6
ኣብዛ ምድሪ ጥሜት ካብ ዚኸውን ሕጂ ኽልተ ዓመት ኰይኑ፡ ዘይሕረሰንን ዘይዕጸደንን ድማ ገና
ሓሙሽተ ዓመት ኣለዋ። 7 ኣምላኽ ግና ኣብ ምድሪ ተረፍ ምእንቲ ኼትርፈኩም፡ ብዓብዪ ምድሓን ድማ
ህይወትኩም ክትድሕን፡ ቀቅድሜኹም ለኣኸኒ። 8 ሕጂ ኸኣ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ንስኻትኩም
ኣይኰንኩምን ናብዚ ዝለኣኽኩምኒ። ንሱ ንፈርኦን ኣቦኡን ጐይታ ዅላ ቤቱን ገዛእ ኵላ ሃገር ግብጽን
ገበረኒ። 9 ቀልጢፍኩም ናብ ኣቦይ ደይቡ እሞ በልዎ፡ ዮሴፍ ወድኻ ከምዚ ይብል፡ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ
ዅላ ግብጺ ጐይታ ገበረኒ፡ ናባይ ውረድ፡ ኣይትደንጕ። 10 ንስኻን ደቅኻን ደቂ ደቅኻን ኣባጊዕካን
ኣሓኻን ዘሎካ ዅሉን ኣብ ቀረባይ ክትከውን፡ ኣብ ምድሪ ጎሼን ክትቅመጥ ኢኻ። 11 ገና ሓሙሽተ ዓመት

ጥሜት ተሪፉ ኣሎ እሞ፡ ንስኻን ቤትካን ኵሉ ዘሎካን ምእንቲ ኸይትሸገሩ፡ ኣብኡ ኽሐልየልካ እየ። 12
ኣፈይ ትዛረበኩም ከም ዘላ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣዒንትኹምን ዓይኒ ሓወይ ብንያምን ይርእያ ኣለዋ። 13 እቲ
ዅሉ ኽብረተይ ኣብ ግብጽን እቲ ዝርኤኽምዎ ዅሉን ነቦይ ንገርዎ። ነቦይ ከኣ ቀልጢፍኩም ናብዚ
ኣውርድዎ። 14 ኣብ ክሳድ ሓዉ ብንያም ወዲቑ ኸኣ በኸየ፡ ብንያም ድማ ኣብ ክሳዱ በኸየ። 15 ንዅሎም
ኣሕዋቱ ኸኣ እናበኸየ ሰዓሞም። ድሕርዚ ድማ ኣሕዋቱ ምስኡ ተዛረቡ።

16 ኣብ ቤት ፈርኦን ከኣ፡ ኣሕዋት ዮሴፍ መጺኦም፡ ዚብል ወረ ተሰምዔ። እዚውን ንፈርኦንን ንገላውኡን
ባህ ኣበሎም። 17 ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ በሎ፡ ነሐዋትካ፡ ከምዚ ግበሩ፡ በሎም፡ እንስሳኹም ጽዒንኩም
ኪዱ፡ ናብ ምድሪ ኸነኣን ከኣ እተዉ። 18 ኣቦኹምን ስድራቤትኩምን ሒዝኩም ድማ ናባይ ምጹ። ካብ
ምድሪ ግብጺ ኸኣ እቲ ዝበለጸ ኽህበኩም እየ፡ ስብሒ እዛ ምድሪውን ክትበልዑ ኢኹም። 19 እዚ
ኽትገብሩ እእዝዘካ ኣሎኹ፡ ንሕጻናትኩምን ነንስትኹምን ሰረገላታት ካብ ምድሪ ግብጺ ውሰዱ እሞ፡
ነቦኹም ድማ ሒዝኩምዎ ምጹ። 20 እቲ ኣብ ምድሪ ግብጺ ዘሎ ዝዝበለጸ ዅሉ ንኣኻትኩም እዩ እሞ፡
ኣቓሑኹም ርኢኹም ኣይትጕሀዩ። 21 ደቂ እስራኤል ከኣ ከምኡ ገበሩ። ዮሴፍ ድማ ከምቲ ትእዛዝ
ፈርኦን ሰረገላታት ሀቦም፡ ንመገዲ ኸኣ ስንቂ ሀቦም። 22 ንነፍሲ ወከፎም ኵሎም ድማ ዚለዋወጥ
ክዳውንቲ ሀቦም። ንብንያም ግና ሰለስተ ሚእቲ ሲቃል ብሩርን ሓሙሽተ ዚለዋወጥ ክዳውንትን ሀቦ። 23
ነቦኡ ድማ ካብ ናይ ዘዝጸበቐ ነገር ግብጺ ጽዕነት ዓሰርተ ኣድጊ፡ ነቦኡ ንመገዲ ዚኾኖ ኸኣ እኽልን
እንጌራን ካልእ ብልዕን ጽዕነት ዓሰርተ ኣንስተይቲ ኣድጊ ኸምዚ ገይሩ ሰደደሉ። 24 ነሕዋቱ ድማ፡ ኣብ
መገዲ ኣይትበኣሱ፡ ኢሉ ሰደዶም፡ ከዱ ኸኣ።

25 ካብ ግብጺ ደይቦም ከኣ ናብ ኣቦኦም ያእቆብ ናብ ምድሪ ኸነኣን መጹ፡ 26 ዮሴፍ ገና ብህይወቱ ኣሎ፡
ንዅላ ሃገር ግብጺ ዚገዝእ ዘሎውን ንሱ እዩ፡ ኢሎም ድማ ነገርዎ። ንሱ ግና ኣይኣመኖምን እሞ፡ ልቡ
ደንጸወ። 27 እቲ ዮሴፍ ዝበሎም ኵሉ ዘረባ ድማ ነገርዎ፡ እቲ ኺመጽሉ ኢሉ ዮሴፍ ዝሰደዶ ሰረገላታት
ምስ ረኣየ ኸኣ፡ መንፈስ ኣቦኦም ያእቆብ ተሐደሰ። 28 እስራኤል ድማ፥ ወደይ ዮሴፍስ ገና ብህይወቱ
ኣሎ፡ ደጊም ይኣኽለኒ። ከይሞትኩ ደኣ ኸይደ ኽርእዮ፡ በለ።

# ምዕራፍ 46

1 እስራኤል ድማ ምስ ኵሉ ዘለዎ ነቕለ። ናብ ብኤርሸባዕ ምስ በጽሔ፡ ኣብኡ ንኣምላኽ ኣቦኡ ይስሃቅ
መስዋእቲ ሕሩድ ሰውኤ። 2 ኣምላኽ ድማ ንእስራኤል ብራእይ ለይቲ፡ ያእቆብ፡ ያእቆብ፡ ኢሉ ተዛረቦ።
ንሱ ኸኣ፣ እኔኹ፡ በለ። 3 ኣነ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ኣቦኻ እየ። ኣብኡ ዓብዩ ህዝቢ ኽገብረካ እየ እሞ፡ ናብ
ግብጺ ምውራድ ኣይትፍራህ። 4 ኣነ ምሳኻ ናብ ግብጺ ኽወርድ እየ፡ ብርግጽ ድማ ኣነ ኸደይበካ እየ።
ዮሴፍ ከኣ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኣዒንትኻ ኼንብር እዩ፡ ድማ በለ። 5 ያእቆብ ድማ ካብ ብኤርሸባዕ ተንስኤ።
ደቂ እስራኤል ከኣ ነቦኦም ያእቆብን ሕጻናቶምን ኣንስቶምን ኣብቲ ኺመጽሉ ኢሉ ፈርኦን ዝሰደደሉ
ሰረገላታት ኣደየቡ። 6 ያእቆብን ኵሉ ዘርኡ ድማ ምስኡ፡ ማሎምን ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዘጥረይዎ
ገንዘቦምን ወሲዶም፡ ናብ ግብጺ መጹ። 7 ንደቁን ደቂ ደቁን፡ ነዋልዱን ኣዋልድ ደቁን፡ ንዅሉ ዘርኡ
ድማ ምስኡ ናብ ግብጺ ኣምጽኤ።

8 እቶም ናብ ግብጺ ዝኣተዉ ደቂ እስራኤል። ያእቆብን ደቁን፡ ስሞም እዚ እዩ፡ በዂሪ ያእቆብ፡ ሮቤል።

9 ደቂ ሮቤል ድማ፤ ሄኖክን ፋሉን ሄስሮንን ካርሚን።

10 ደቂ ስምኦን ከኣ፡ የሙኤልን ያሚንን ኦሃድን ያኪንን ጾሓርን ሻኡል ወዲ እታ ኸነኣናዊትን።

11 ደቂ ሌዊ ኸኣ፤ ገርሾንን ቀሓትን መራሪን።

12 ደቂ ይሁዳ ድማ፤ ዔርን ኦርንን ሼላን ፋሬስን ዜራሕን። ዔርን ኦናንን ግና ኣብ ምድሪ ኸነኣን ሞቱ።
ደቂ ፋሬስ ድማ ሔጽሮንን ሓሙልን እዮም።

13 ደቂ ይሳኮር ከኣ፡ ቶላዕን ፉዋህን ዮብን ሽምሮንን።

14 ደቂ ዛብሎን ድማ፤ ሰሬድን ኤሎንን ያሕኤልን። 15 እዚኣቶም ንያእቆብ ኣብ ጳዳንኣራም ዝወለደትሉ
ደቂ ልያ እዮም፡ ዲና ድማ ጓሉ። ኣወዳቱን ኣዋልዱን ኩሎም ሰላሳን ሰለስተን ነፍሲ።

16 ደቂ ጋድ፡ ጺፍዮንን ሓጊን ሹኒን ኤጽቦንን ዔሪን ኣሮዲን ኣርኤሊን።

17 ደቂ ኣሴር ከኣ፡ ዩምናን ዩሽዋን ዩሽዊን በርዓን ሴራሕ፡ ሓብቶምን። ደቂ በሪዓ ኸኣ፤ ሔበርን
ማልኪኤልን። 18 እዚኣቶም ደቂ ዚልጳ፡ እታ ላባን ንጓሉ ልያ ዝሀባ፡ እዮም። እዞም ዓሰርተው ሹድሽተ
ነፍሲ ንያእቆብ ወለደትሉ። 19 ደቂ ራሄል ሰበይቲ ያእቆብ ድማ፤ ዮሴፍን ብንያምን።

20 ንዮሴፍ ከኣ ኣብ ሃገር ግብጺ እተወልዱሉ፡ ኣሰናት፡ ጓል ጶጢፌራ ካህን ኦን፡ ዝወለደትሉ፤ ምናሴን
ኤፍሬምን እዮም።

21 ደቂ ብንያም ድማ፡ ቤላዕን ቤከርን ኣሽቤልን ጌራን ናዓማንን ኤሒን ሮሽን ሙጺምን ሑጺምን
ኣርድን። 22 እዚኣቶም ንያእቆብ እተወልዱሉ ደቂ ራሄል፡ ኩሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ነፍሲ እዮም።

23 ደቂ ዳን ድማ፤ ሑሺም።

24 ደቂ ንፍታሌም ከኣ፡ የሕጽኤልን ጉኒን የጽርን ሺሌምን። 25 እዚኣቶም ደቂ ቢልሃ፡ እታ ላባን ንራሄል
ጓሉ ዝሀባ፡ እዮም። እዚኣቶም ኩሎም ሾብዓተ ነፍሲ ንያእቆብ ወለደትሉ። 26 እቶም ምስ ያእቆብ ናብ
ግብጺ ዝኣተዉ ነፍሳት፡ ካብ ሕቑኡ ዝወጹ ብጀካ ኣንስቲ ደቂ ያእቆብ፡ ኩሎም ስሳን ሹድሽተን ነፍሲ
ነበሩ። 27 ኣብ ግብጺ እተወልዱሉ ደቂ ዮሴፍ ከኣ ክልተ ነፍሲ ነበሩ። ናብ ግብጺ ዝኣተዉ ኹሎም
ነፍሳት ቤት ያእቆብ ሰብዓ ነበሩ።

28 ንሱ ቀቅድሚኡ ናብ ጎሼን ምእንቲ ኺመርሕ ድማ፡ ንይሁዳ ቀቅድሚኡ ናብ ዮሴፍ ሰደዶ። ናብ
ምድሪ ጎሼን ከኣ ኣተዉ። 29 ዮሴፍ ድማ ሰረገላኡ ኣጽዒኑ፡ ነቦኡ እስራኤል ኪረክብ ናብ ጎሼን ደየበ።
ምስ ተራእዮ ኸኣ፡ ኣብ ክሳዱ ወዲቑ፡ ኣብ ክሳዱ ነዊሕ ጊዜ በኸየ። 30 እስራኤል ድማ ንዮሴፍ፡ ገና
ብህይወት ከም ዘሎኻ፡ ገጽካ ኻብ ርኤኹ፡ ሕጂስ እሙት፡ በሎ። 31 ዮሴፍ ከኣ ነሕዋቱን ንቤት ኣቦኡን
በሎም፡ ናብ ፈርኦን ደይበ ኽነግሮ እየ፡ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዝነበሩ ኣሕዋተይን ቤት ኣቦይን ናባይ
መጺኦም ኣለዉ። 32 እዞም ሰባት እዚኣቶም ሰብ ማል እዮም እሞ፡ ጓሶት ኣባጊዕ እዮም። ኣባጊዖምን
ኣሓኦምን ኩሉ ዘለዎም ድማ ኣምጺኦም ኣለዉ። 33 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ፈርኦን ጸዊዑ፡ ተግባርኩም
እንታይ እዩ፧ ምስ ዚብለኩም፡ 34 ጓሳ ዘበለ ንግብጻውያን ጽዩፍ እዩ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ጎሼን ምእንቲ
ኽትቅመጡስ፡፤ገላዉኻ፡ ንሕናን ኣቦታትናን ድማ ካብ ንእስነትና ኽሳዕ ሕጂ ሰብ ማል ኢና፡ በሉ።

# ምዕራፍ 47

1 ዮሴፍ ድማ ኣትዩ ንፈርኦን፡ ኣቦይን ኣሕዋተይን ምስ ኣባጊዖምን ኣሓኦምን ኲሉ ዘለዎምን ካብ ምድሪ
ከንኣን ወጺኦም፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ምድሪ ጎሼን ኣለዉ፡ ኢሉ ነገሮ። 2 ካብቶም ኣሕዋቱ ድማ ሓሙሽተ
ሰብኣይ ወሲዱ፡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ኣብጽሖም። 3 ፈርኦን ከኣ ነሕዋቱ፡ ተግባርኩም እንታይ እዩ፧
በሎም። ንፈርኦን ድማ፤ ገላዉኻ፡ ንሕናን ኣቦታትናን ጓሶት ኣባጊዕ ኢና፡ በልዎ። 4 ንፈርኦን ከኣ፡ ኣብ
ምድሪ ኸነኣን ጥሜት ኣዝዩ በርቲዑ እዩ እሞ፡ ኣባጊዕ ገላዉኻ ዝጓሰያሉ ድማ የልቦን እሞ፡ ኣብዛ ምድሪ
እዚኣ ብስደት መጺእና ኣሎና፡ ሕጂ ኸኣ ገላዉኻ ኣብ ምድሪ ጎሼን ኪቕመጡ ንልምነካ ኣሎና፡ በልዎ። 5
ፈርኦን ድማ ንዮሴፍ፤ ኣቦኻን ኣሕዋትካን መጺኦምኻ። 6 ምድሪ ግብጺ ኣብ ቅድሜኻ እያ። ነቦኻን
ኣሕዋትካን ከኣ ኣብዛ ምድሪ ኣብ ዝበለጸ ኣቐምጦም፡ ኣብ ምድሪ ጎሼን ይቀመጡ። ካባታቶም ከኣልቲ
ሰባት እትፈልጦም እንተሎካ፡ ኣብ ማለይ ዋናታት ግበሮም፡ ኢሉ ተዛረቦ። 7 ዮሴፍ ከኣ ነቡኡ ያእቆብ
ኣምጺኡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደው ኣበሎ፡ ያእቆብ ድማ ንፈርኦን መረቖ። 8 ፈርኦን ከኣ ንያእቆብ፤ ዘበን
ህይወትካ ኽንደይ ዓመታት እዩ፧ በሎ። 9 ያእቆብ ድማ ንፈርኦን፡ ዓመታት ዘበን ስደተይ ሚእትን ሰላሳን
ዓመት እየን። ዓመታት ዘበን ህይወተይ ሒደትን ክፉኣትን እየን። ክንዲ እቲ ዓመታት ዘበን ህይወት
ኣቦታተይ ብዘበን ስደቶም ኣይኣኸላን፡ በሎ። 10 ያእቆብ ድማ ንፈርኦን መሪቑ ኻብ ቅድሚ ፈርኦን ወጸ።

11 ዮሴፍ ከኣ ነቦኡን ነሕዋቱን ኣስፈሮም፡ ከምቲ ፈርኦን ዝኣዘዞ ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብታ ዝበለጸት
ምድሪ፡ ኣብ ምድሪ ራዕምሴስ ርስቲ ሀቦም። 12 ዮሴፍ ድማ ነቦኡን ነሕዋቱን ንዅሉ ቤት ኣቦኡን ሐለየ፡
ከከም ብዝሒ ቈልዑኦም እናገበረ ይምግቦም ነበረ።

13 እቲ ጥሜት ኣዝዩ ስለ ዝበርትዔ ድማ፡ ኣብ ኲላ ምድሪ እንጌራ ኣይነበረን። ምድሪ ግብጽን ምድሪ
ኸነኣንን ከኣ ብምኽንያት ጥሜት ቃህመማ። 14 ዮሴፍ ድማ በቲ ዝሸመትዎ እኽሊ ኣብ ምድሪ ግብጽን
ኣብ ምድሪ ኸነኣንን እተረኽበ ዅሉ ገንዘብ ኣከበ። ዮሴፍ ከኣ ነቲ ገንዘብ ናብ ቤት ፈርኦን ኣእተዎ። 15
ኣብ ምድሪ ግብጽን ኣብ ምድሪ ኸነኣንን ገንዘብ ምስ ተወድኤ ድማ፡ ኲሎም ግብጻውያን ናብ ዮሴፍ
መጺኦም፡ ስለምንታይ ኣብ ቅድሜኻ እንመውት፧ ገንዘብ ተወዲኡ እዩ እሞ፡ እንጌራ ሀበና፡ በልዎ። 16
ዮሴፍ ከኣ፡ ገንዘብ እንተ ተወዲኡስ፡ ማልኩም ኣምጽኡ፡ ኣብ ክንዲ ማልኩም ክህበኩም፡ በለ። 17
ማሎም ከኣ ናብ ዮሴፍ ኣምጽኡ። ዮሴፍ ድማ ኣብ ክንዲ ኣፍራስን ኣብ ክንዲ መጓሰ ኣባጊዕን ኣብ ክንዲ
መጋርያ ኣሓን ኣብ ክንዲ ኣእዱግን እንጌራ ሀቦም። በታ ዓመት እቲኣ ኣብ ክንዲ ኹሉን ማሎም እንጌራ
መገቦም። 18 እታ ዓመት እቲኣ ምስ መልኤት ከኣ፡ በታ ኻልኣይቲ ዓመት ናብኡ መጺኦም፡ ገንዘብ ከም
እተወድኤ፡ ንጐይታ ኣይንሐብኣሉን፡ እተን መጓሴታት ማል ድማ ምስ ጐይታይ ኣለዋ። ብጀካ ነፍስናን
ምድርናን ኣብ ቅድሚ ጐይታይ ገለኳ ኣይተረፈን። 19 ከመይ ንሕናን ምድርናን ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ
እንመውት፧ ንኣናን ንምድርናን ብእንጌራ ተሻየጠና። ንሕናን ምድርናን ድማ ባሮት ፈርኦን ንኹን።
ምእንቲ ኽንነብር እምበር፡ ከይንመውት፡ እታ ሃገር ከኣ ኸይትባድምሲ፡ ዘርኢ ሀበና፡ በልዎ። 20
ግብጻውያን፡ ጥሜት ስለ ዝበርትዖም ከኣ፡ ነፍሲ ወከፎም ገግራቶም ሸጡ እሞ፡ ዮሴፍ ኲላ ምድሪ
ግብጺ ንፈርኦን ክትከውን ተሻየጣ፡ እታ ምድሪ ድማ ናይ ፈርኦን ኰነት። 21 ነቲ ህዝቢ ኸኣ፡ ካብታ
ሓንቲ ወሰን ዶብ ግብጺ ኽሳዕ እታ ኻልኣይቲ ወሰና፡ ናብ ከተማታት ኣግዐዞ። 22 እቶም ካህናት ካብ
ፈርኦን ምዱብ ግደ ነበሮም እሞ፡ እቲ ፈርኦን ዝሀቦም ግደ ስለ እተመገቡ፡ ምድሮም ኣይሸጡን፡ ስለዚ
ንምድሪ ኻህናት ጥራይ ኣይተሻየጣን። 23 ዮሴፍ ከኣ ንህዝቢ፡ እንሆ፡ ሎሚ ንኣኻትኩምን ንምድርኹምን

ንፈርኦን ተሻይጠኩም እየ። እንሆልኩም ከኣ ዘርኢ፡ ነታ ምድሪ ዝርእዋ። 24 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ብጊዜ እቶቱ ሕምሻ ንፈርኦን ክትህቡ ኢኹም፡ ኣርባዕተ ኣፍ ከኣ ንኣኻትኩም። ንሱ ንዘርኢ ግራትን ንቐለብኩምን ኣብ ቤትኩም ንዘለዉን ንቐለብ ቈለውዕኩምን ኪኸውን እዩ፡ በሎም። 25 ንሳቶም ድማ፡ ንስኻ ኣድሒንካና፡ ኣብ ቅድሚ ጐይታይ ደኣ ሞገስ ንርከብ እምበር፡ ባሮት ፈርኦን ንኸውን፡ በሉ። 26 ዮሴፍ ከኣ ነዚ፡ ብዛዕባ ምድሪ ግብጺ ሕምሻ ንፈርኦን ኪኸውን፡ ክሳዕ ሎሚ ዘሎ ሕጊ ኣቘመ። ምድሪ ኻህናት በይና ጥራይ ንፈርኦን ኣይኰነትን።

27 እስራኤል ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኣብ ሃገር ጎሼን ተቐመጠ። ኣብኣ ኸኣ ተረስተዩ፡ ፈረዩ፡ ኣዝዮም ድማ በዝሑ። 28 ያእቆብ ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመት ገበረ። ዕድመ ያእቆብ፡ ዘበን ህይወቱ ድማ ሚእትን ኣርብዓን ሾብዓተን ዓመት ኰነ። 29 እስራኤል ከኣ ኺመውት መዓልቱ ቐረበት። ንዮሴፍ ወዱ ጸዊዑ ድማ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ ኢድካ ናብ ትሕቲ ሰለፈይ ኣእቱ እሞ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኸይትቐብረኒ፡ በጃኻ ምሕረትን እምነትን ግበረለይ። 30 ምስ ኣቦታተይ ምስ ዝድቅስ ግና፡ ካብ ግብጺ ተሰኪምካ ኣብ መቓብሮም ቅበረኒ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣነ ኸም ዘረባኻ እገብር፡ በለ። 31 ምሐለለይ፡ በለ። መሐለሉ ድማ። እስራኤል ከኣ ኣብ ትርኣስ ዓራቱ ሰገደ።

## ምዕራፍ 48

1 ኰነ ድማ፡ ድሕርዚ ነገርዚ ንዮሴፍ፡ እንሆ፡ ኣቦኻ ሐሚሙ፡ በልዎ። ንሱ ኸኣ ንኽልቲኦም ደቁ፡ ንምናሴን ኤፍሬምን፡ ምስኡ ወሰዶም። 2 ንያቆብ ድማ፡ እንሆ፡ ወድኻ ዮሴፍ መጺኡካ፡ ኢሎም ነገርዎ። እስራኤል ከኣ ተጋዲሉ ኣብ ዓራቱ ኾፍ በለ። 3 ያእቆብ ድማ ንዮሴፍ በሎ፡ እቲ ዅሉ ዚኽእል ኣምላኽ ኣብ ሉዝ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ተራእየኒ፡ ባረኸኒ ኸኣ፡ 4 እንሆ፡ ኣነ ኽፍርየካን ከብዝሓካን፡ ንብዙሕ ህዝብታት ከኣ ክገብረካ እየ፡ ብድሕሬኻ ድማ እዛ ምድሪ እዚኣ ንዘርእኻ ርስቲ ዘለኣለም ገይረ ኽህቦ እየ፡ በለኒ።

5 ሕጂ ኸኣ እቶም ኣነ ናባኻ ናብ ግብጺ ኸይመጻእኩኻ፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ እተወልዱልካ ኽልቲኦም ደቅኻ ናተይ እዮም። ኤፍሬምን ምናሴን ከም ሮቤልን ስምኦንን ናተይ ኪዀኑ እዮም። 6 ብድሕሪኦም እትወልዶም ውሉድ ከኣ ንኣኻ ይዅኑ። ኣብቲ ርስቶም ብስም ኣሕዋቶም ይሰመዩ። 7 ኣነ ድማ ካብ ጳዳን ምስ መጻእኩ፡ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ንኤፍራታ ቐሩብ ምስ ተረፈትኒ፡ ኣብ መገዲ ኸሎኹ ራሄል ሞተትኒ። ኣብ መገዲ ኤፍራታ ኸኣ፡ ንሳ ቤትልሄም፡ ኣብኡ ቐበርኩዋ። 8 እስራኤል ድማ ንደቂ ዮሴፍ ርእዩ። እዚኣቶም እንታዎት እዮም፡ በለ። 9 ዮሴፍ ከኣ ነቦኡ፡ እዚኣቶም ኣምላኽ ኣብዚ ዝሀበኒ ደቀይ እዮም፡ በሎ። ንሱ ድማ፤ ክምርቖምሲ፡ በጃኻ፡ ናባይ ኣቕርቦም፡ በለ። 10 ኣዒንቲ እስራኤል ከኣ ካብ እርግና እተላዕለ ለቕዒተን ነበራ እሞ፡ ኪርኢ ኣይከኣለን። ናብኡ ድማ ኣቕረቦም፡ ንሱ ኸኣ ሰዐሞም፡ ሐቘፎምውን። 11 እስራኤል ድማ ንዮሴፍ፤ ገጽካ እርኢ ኢለ ኣይሐሰብኩን ነይረ፡ ኣምላኽ ከኣ እንሆ፡ ንዘርእኻ ድማ ኣርኣየኒ፡ በሎ። 12 ዮሴፍ ከኣ ካብ ኣብራኹ ኣግለስ ኣቢልዎም ብገጹ ናብ ምድሪ ሰገደ። 13 ዮሴፍ ድማ ንኽልቲኦም ወሲዱ፡ ንኤፍሬም ብየማኑ ናብ ጸጋም እስራኤል፡ ንምናሴ ኸኣ ብጸጋሙ ናብ የማን እስራኤል ገይሩ ናብኡ ኣቕረቦም። 14 እስራኤል ድማ፡ ምናሴ በዅሪ ነበረ እሞ፡ ኣእዳዉ ኣመሐሊፉ የማነይቲ ኢዱ ዘርጊሑ ኣብ ርእሲ ኤፍሬም፡ ንሱ ኸኣ እቲ ንእሽቶ፡ ጸጋመይቲ ኢዱ ድማ ኣብ ርእሲ ምናሴ ኣንበረ።

15 ንዮሴፍ ከኣ፡ እቲ ኣቦታተይ ኣብርሃምን ይስሃቅን ኣብ ቅድሚኡ እተመላለሱ ኣምላኽ፡ እቲ ኻብ ዝውለድ ጀሚሩ ኽሳዕ እዛ ምዓልቲ እዚኣ ዝመገበኒ ኣምላኽ፡ 16 እቲ ኻብ ኵሉ ኽፉእ ዘድሓነኒ መልኣኽ። ንሱ ነዞም ደቂ እዚኦም ይባርኽ። ስመይን ስም ኣቦታተይ ኣብርሃምን ይስሃቅን ኣባታቶም ይጸዋዕ። ኣብ ማእከል ምድሪ ንምብዛሕ ድማ ይሰስኑ። 17 ዮሴፍ ከኣ ኣቦኡ የማነይቲ ኢዱ ኣብ ርእሲ ኤፍሬም ከም ዘንበረ ምስ ረኣየ። ጕሀየ እሞ፡ ካብ ርእሲ ኤፍሬም ኣልዒሉ ናብ ርእሲ ምናሴ ኺሕልፋ ደልዩ፡ ንኢድ ኣቦኡ ሐዛ። 18 ዮሴፍ ድማ ነቦኡ፤ ኣቦየ፡ ከምኡ ኣይኰነን፡ እቲ በዅሪ እዚ እዩ እሞ፡ የማነይትኻ ኣብ ርእሱ ኣንብር፡ በሎ። 19 ኣቦኡ ግና ኣበየ፡ ፈሊጠ፡ ወደይ፡ ፈሊጠ ኣሎኹ። ንሱ ድማ ህዝቢ ኪኸውን እዩ፡ ንሱ ድማ ዓብዩ ኪኸውን እዩ።እቲ ንእሽቶ ሓዉ ግና ካብኡ ክዓቢ እዩ፡ ዘርኡውን ብዙሕ ህዝብታት ኪኸውን እዩ፡ ድማ በሎ። 20 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ከምዚ ኢሉ መረቖም፤ እስራኤል፤ ኣምላኽ ከም ኤፍሬምን ከም ምናሴን ይግበርካ፡ ኢሉ ብኣኻ ኺምረቕ እዩ። ንኤፍሬም ከኣ ቅድሚ ምናሴ ገበሮ። 21 እስራኤል ድማ ንዮሴፍ፤ እንሆ፡ ኣነ እመውት ኣሎኹ፡ ኣምላኽ ከኣ ምሳኻትኩም ኪኸውን እዩ። ናብ ምድሪ ኣቦታትኩም ድማ ኪመልሰኩም እዩ። 22 ንኣኻ ድማ እታ ኻብ ኢድ ኣሞራውያን ብሴፈይን ብቐስተይን ዝወሰድክዋ ሓለፋ ኣሕዋትካ ሓደ ኽፍሊ ሂበካ ኣሎኹ።

# ምዕራፍ 49

1 ያእቆብ ንደቁ ጸዊዑ፤ በተን ዳሕሮት መዓልታት ዚረኽበኩም ክነግረኩምሲ፡ ተኣከቡ፡ በሎም። 2 ኣቱም ደቂ ያእቆብ፡ ተኣከቡ እሞ ስምዑ። ነቦኹም እስራኤል ከኣ ጽን በሉ።

3 ሮቤል ንስኻ በዅረይ ኢኻ፡ ሓይለይን ቀዳማይ ጽንዓተይን፡ ብኽብረት ብሉጽ፡ ብስልጣን ከኣ ብሉጽ። 4 ከም ፍሉሕ ማይ ገንፊልካ። ናብ መደቀስ ኣቦኻ ደየብካ፡ ሽዑ ኣርኪስካዮ ኢኻ እሞ፡ ብልጫ ኣይትረክብን። ናብ ዓራተይ ደየበ።

5 ስምኦንን ሌውን ኣሕዋት እዮም። ኣስያፎም ኣጽዋር ዓመጻ እዩ፡ 6 ብቝጥዓኦም ሰብኡት ቀተሉ፡ ብሹራኦም ድማ በረኾዳ ኣብዑር ቈረጾም እዮም እሞ፡ ነፍሰይ ናብ ምኽሮም ኣይትእቶ፡ ክብረይ ከኣ ኣብ ኣኼባኦም ኣይትሕበር። 7 እቲ ኹራኦም ብርቱዕ፡ ነድሮም ከኣ ጨካን ነበረ እሞ፡ ርጉም ይኹን። ኣብ ያእቆብ ክመቓቕሎም፡ ኣብ እስራኤል ድማ ፋሕ ከብሎም እየ።

8 ኣታ ይሁዳ፡ ኣሕዋትካ ኺመስግኑኻ እዮም፡ ኢድካ ኣብ ክሳድ ጸላእትኻ ኽትከውን እያ፡ ደቂ ኣቦኻ ኺሰግዱልካ እዮም። 9 ይሁዳ ሽደን ኣንበሳ እዩ። ወደይ፡ ካብ ምርኮ ደየብካ። ከም ኣንበሳ ተኾርምዩ ደቀሰ፡ ከም ኣንስተይቲ ኣንበሳ እኳ ደኣ፡ መን የተንስኦ፧ 10 ሺሎ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ካብ ይሁዳ በትሪ፡ ዘንጊ ገዛኢ ኸኣ ካብ ማእከል ኣእጋሩ ኣይዝምብልን። ህዝብታት ይእዘዝዎ። 11 ንገልገሉ ኣብ ጉንዲ ወይኒ፡ ንዒሉ እታ ኣድጉ ኸኣ ኣብ ብሉጽ ጨንፈር ወይኒ ይኣስር። ክዳውንቱ ብወይኒ፡ ነጸላኡ ድማ ብደም ዘቢብ ይሕጸብ። 12 ኣዒንቱ ብወይኒ ኪቐሓ፡ ኣስናኑ ኸኣ ብጸባ ኺጽዕድዋ እየን።

13 ዛብሎን ኣብ ገምገም ባሕሪ፡ ንሱ ድማ ኣብቲ መዕረፍ መራኽብ ይነብር፡ ጐድኑ ኸኣ ኣብ ሲዶን ይጽጋዕ።

14 ይሳኮር ሓያል ኣድጊ እዩ፡ ኣብ መንጎ ደምቤታት ማል ይድቅስ። 15 እታ መዕረፊት ጽብቕቲ፡ እታ

ምድሪ ድማ ልምዕቲ ኸም ዝኾነት ረኣየ። እሞ መንኲቡ ንምስካም ኣትሓተ፡ ጻዕራይ ግዙእ ድማ ኾነ።

16 ዳን ከም ሓደ ኻብ ነገዳት እስራኤል ኰይኑ፡ ንህዝቡ ኺዳኒ እዩ። 17 ዳን ኣብ መገዲ ተመን፡ ኣብ ጓል
መገዲ ድማ ቀራን ተመን ኪኸውን እዩ። ንፈረስ ሾኾናኡ ይነኽሶ፡ ንፈረሰኛ ኸኣ ንድሕሪት የውድቖ። 18
ዎ እግዚኣብሄር፡ ንምድሓንካ ይጽበ ኣሎኹ።

19 ንጋድ ጭፍራታት ኬጨንቕዎ እዮም፡ ንሱ ግና እግር እግሮም ኬጨንቖም እዩ።

20 ካብ ኣሴር ስብሒ እንጌራኡ ይመጽእ፡ ንሱ ድማ ጣዕሚ ነገስታት ይህብ።

21 ንፍታሌም እተፈነወት እራብ፡ ጥዑም ቃል ዚህብ እዩ።

22 ዮሴፍ ፈራዪት ጨንፈር፡ ኣብ ጥቓ ዓይኒ ማይ ዘላ ፈራዪት ጨንፈር እዩ። ጨናፍሩ ኣብ ልዕሊ
መካበብያ ይዝርግሕ። 23 ቀስተኛታት ኣነዓብዎ፡ ፍላጻ ወርዊሮም ድማ ሰጒጒዎ። 24 ቀስቱ ግና ጸኒዑ
ይነብር፡ ቀላጽም ኣእዳዉ ድማ በእዳው እቲ ናይ ያእቆብ ሓያል፡ በቲ ሓላውን ከውሒ እስራኤልን
ጸንዓ። 25 በቲ ዝረድኣካ ኣምላኽ ኣቦኻ፡ በቲ ዝባርኸካ ዂሉ ዚኽእል፡ ካብ ላዕሊ በረኸት ሰማይ፡ ካብቲ
ኣብ ታሕቲ ተዘርጊሑ ዘሎ ዓሚቕ ድማ በረኸት፡ ካብ ኣጥባትን ካብ ማሕጸንን ከኣ በረኸት። 26 ካብ
በረኸት ኣቦሓጎታተይ በረኸት ኣቦኻ ይዐዝዝ። ክሳዕ ናብ ወሰን እቶም ኲርባታት ዘለኣለም ይበጽሕ።
ንሱ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ዮሴፍ፡ ኣብ ናላ እቲ መስፍን ኣሕዋቱ ኪኸውን እዩ።

27 ብንያም ዘራፊ ተዂላ እዩ። ንግሆ ዚዘረፎ ይበልዕ፡ ምሸት ከኣ ዝማረኾ ይመቅል።

28 እዚኣቶም ኲላቶም ዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል እዮም። እቲ ኣቦኦም እተዛረቦምን ዝመረቖምን
ከኣ እዚ እዩ። ንነፍሲ ወከፍ ከከም ምርቓኡ መረቖም። 29-30 ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፤ ኣነ ናብ ህዝበይ
ክእከብ እየ። ኣብታ ኣብ ግራት ዔፍሮን ሔታዊ ዘላ በዓቲ ኸኣ ኣብታ ኣብ ግራት ማክጴላ፡ ኣብ መንጽር
መምሬ ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዘላ፡ ኣብርሃም ንመቓብር ርስቲ ኽትከዉን ካብ ዔፍሮን ሔታዊ ምስታ ግራት
እተሻየጣ በዓቲ፡ ምስ ኣቦታተይ ቅበሩኒ። 31 ንኣብርሃምን ንሳራ ሰበይቱን ኣብኣ ቐበርዎም፡ ንይስሃቅን
ንሰበይቱ ርብቃን ከኣ ኣብኣ ቐበርዎም፡ ኣነ ድማ ንልያ ኣብኣ ቐበርክዋ። 32 እታ ግራትን ኣብኣ ዘላ በዓትን
ካብ ደቂ ሔት ተዐደገት። 33 ያእቆብ ንደቁ እዚ ኣዚዙ ምስ ወድኤ፡ ኣእጋሩ ናብ ዓራት ኣከበ፡ ነፍሱ ድማ
ወጸት፡ ናብ ህዝቡውን ተኣከበ።

# ምዕራፍ 50

1 ዮሴፍ ኣብ ገጽ ኣቦኡ ወዲቑ፡ ኣብ ልዕሊኡ በኸየ፡ ሰዐሞ ድማ። 2 ዮሴፍ ከኣ ነቶም ፈዋሶ ገላዉኡ ነቦኡ
ብቕዱይ ቅብኢ ኺለኽይዎ እዘዞም። እቶም ፈዋሶ ድማ ብቕዱይ ቅብኢ ለኸይዎ። 3 መዓልታትት
ምልካይ ከምኡ እየን ዚፍጸማ እሞ፡ ኣርብዓ መዓልቲ መልኡሉ። ግብጻውያን ድማ ሰብዓ መዓልቲ
በኸዩሉ። 4 መዓልታት ሓዘን ምስ ሐለፋ ኸኣ፡ ዮሴፍ ንቤት ፈርኦን ተዛረቦም፡ በሎም ድማ፡ ኣብ
ቅድሜኹም ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ በጃኹም ንፈርኦን ኣብ እዝኑ ኸምዚ ኢልኩም ንገሩለይ፡ 5 ኣቦይ፤
እንሆ፡ ኣነ እመውት ኣሎኹ። ኣብታ ኣብ ሃገር ከነኣን ንኣይ ኢለ ዝኾዐትክዋ መቓብረይ ኣብኣ ቕበረኒ፡
ኢሉ ኣምሒሉኒ እዩ። ሕጂ ኸኣ ክድይብ እሞ ነቦይ ቀቢረ ኽምለስ ፍቐደለይ። 6 ፈርኦን ድማ፤ ደይብ

እሞ ከምቲ ዘምሐለካ፡ ነቦኻ ቕበሮ፡ በለ።

[7] ዮሴፍ ከኣ ነቦኡ ኪቕብሮ ደየበ። ኲላቶም ገላዉ ፈርኦንን ዓበይቲ ቤቱን፡ ኲላቶም ዓበይቲ ሃገር ግብጺ ድማ ምስኡ፡ [8] ኲላቶም ስድራ ቤት ዮሴፍን ኣሕዋቱን ስድራ ቤት ኣቦኡን ድማ ደየቡ፡ ቈልዑኦምን ኣባጊዖምን ኣሓኦምን ጥራይ ኣብ ምድሪ ጎሼን ሐደጉ። [9] ሰረገላታትን ፈረሰኛታትን ድማ ምስኡ ደየቡ እሞ ኣዝዩ ብዙሕ ጭፍራ ነበረ። [10] ናብታ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ዘላ ዓውዲ ኣጣድ ከኣ መጹ፡ ኣብኣ ድማ ኣዝዩ ብርቱዕ ብኽያት በኸዩሉ። ነቦኡ ሾብዓተ መዓልቲ መልቀስ ገበሩሉ። [11] እቶም ኣብታ ሃገር ዚቕመጡ ከነኣናውያን ድማ ነቲ ኣብ ዓውዲ ኣጣድ ዝኾነ መልቀስ ምስ ረአዩ፡ እዚ ዓብዪ መልቀስ ግብጻውያን እዩ፡ በሉ። ስለዚ ኸኣ ስማ ኣቤልሚስራይም ተባህለት። ንሳ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ዘላ እያ። [12] ደቁ ድማ ከምቲ ዝኣዘዞም ገበሩሉ። [13] እቶም ደቁ ኸኣ ጸይሮም ኣብ ምድሪ ኸነኣን ወሰድዎ፡ ኣብታ ኣብ መንጽር መምሬ ዘላ፡ ኣብርሃም ርስቲ ንመቓብር ኢሉ ኻብ ዔፍሮን ሔታዊ ምስታ ግራት እተሻየጣ፡ ኣብ በዓቲ ግራት ማክጴላ ቐበርዎ።

[14] ዮሴፍ ነቦኡ ምስ ቀበሮ፡ ንሱ ምስ ኣሕዋቱን ምስቶም ነቦኡ ኪቕብሩ ምስኡ ዝደየቡ ዅላቶምን ናብ ግብጺ ተመልሰ።

[15] ኣሕዋት ዮሴፍ ኣቦኦም ከም ዝሞተ ምስ ረኣዩ፡ ምናልባሽ ዮሴፍ ይጸልኣና እሞ፡ እቲ ዝገበርናዮ ዅሉ ኽፉእ ከኣ ይፈድየና፡ በሉ። [16] ንዮሴፍ ድማ፡ ኣቦኻ ቕድሚ ሞቱ ኸምዚ ኢሉ ኣዘዘ፡ ኢሎም ለኣኹሉ፡ [17] ንዮሴፍ፤ እቲ ኽፉእ ዝገበሩኻ በደል ኣሕዋትካን ሓጢኣቶምን ሕደገሎም ሕድርኻ፡ በልዎ። ሕጂ ኸኣ በደል ባሮት ኣምላኽ ኣቦኻ ይቕረ ኽትብል፡ ንልምነካ ኣሎና። ዮሴፍ ምስ ተዛረብዎ በኸየ። [18] እቶም ኣሕዋቱ ድማ ከይዶም ኣብ ቅድሚኡ ፍግም ኢሎም ወደቑ፡ እንሆ፡ ንሕና ገላዉኻ ኢና፡ ከኣ በልዎ። [19] ዮሴፍ ድማ፡ ኣይትፍርሁ። ኣነዶ ኣብ ክንዲ ኣምላኽ እየ፧ [20] ንስኻትኩም ንኽፉኤይ ሐሰብኩም፡ እግዚኣብሄር ግና፡ ከምቲ ሎሚ ዅይኑ ዘሎ ኺገብር ብዙሕ ህዝቢ ምእንቲ ኼድሕን፡ ንጽቡቕ ሐሰበ። [21] ሕጂ ኸኣ ኣይትፍርሁ። ኣነ ንኣኻትኩምን ንቈልዑኹምን ኽቕልበኩም እየ፡ በሎም። ኣጻናንዖም ድማ፡ ንልቦም ዜሐጒስውን ተዛረቦም።

[22] ዮሴፍ ድማ፡ ንሱን ቤት ኣቦኡን ኣብ ግብጺ ተቐመጡ። ዮሴፍ ከኣ ሚእትን ዓሰርተን ዓመት ገይሩ ነበረ። [23] ዮሴፍ ድማ ንደቂ ኤፍሬም ክሳዕ ሳልሳይ ወለዶ ረአየ፡ ደቂ ሚኪር ወዲ ምናሴ ኸኣ ኣብ ብርኪ ዮሴፍ ተወልዱ። [24] ዮሴፍ ድማ ነሕዋቱ፡ ኣነ እመውት ኣሎኹ። ኣምላኽ ግና ብሓቂ ኺበጽሓኩም እዩ፡ ካብዛ ምድሪ እዚኣ ኸኣ ናብታ ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያእቆብን ዝመሐለሎም ምድሪ ኼደዪበኩም እዩ፡ በሎም። [25] ዮሴፍ ድማ ንደቂ እስራኤል፡ ኣምላኽ ብሓቂ ኺበጽሓኩም እዩ እሞ፡ ነዕጽምተይ ካብዚ ኣደይብዎ፡ ኢሉ ኣምሐሎም። [26] ዮሴፍ ወዲ ሚእትን ዓሰርተን ዓመት ምስ ኰነ፡ ሞተ። ብቕዱይ ቅብኢ ድማ ለኸይዎ፡ ኣብ ሳጹን ገይሮም ከኣ ኣብ ግብጺ ኣንበርዎ።

# ኦሪት ዘጸኣት

## ምዕራፍ 1

1 እቶም ናብ ግብጺ ዝመጹ ደቂ እስራኤል ስሞም እዚ እዩ፡ ነፍሲ ወከፍ መምስ ቤተ ሰቡ ምስ ያእቆብ
መጸ፡ 2 ሮቤል፡ ስምኦን፡ ሌውን ይሁዳን፡ 3 ይሳኮር፡ ዛብሎን፡ ብንያም ድማ፡ 4 ዳንን ንፍታሌምን ጋድን
ኣሴርን። 5 ካብ ሕቘ ያእቆብ ዝወጹ ዅላቶም ሰብዓ ነፍሲ ነበሩ። ዮሴፍ ድማ ኣብ ግብጺ ነበረ። 6
ዮሴፍን ኵሎም ኣሕዋቱን፡ እቲ ወለዶ ዅሉ ከኣ ሞቱ። 7 ደቂ እስራኤል ተፋረዩ፡ ሰሰኑ፡ በዝሑ ድማ።
ኣዝዮም ከኣ በርትዑ፡ እታ ሃገርውን ብእኦም መልኤት። 8 ኣብ ግብጺ ኸኣ ንዮሴፍ ዘይፈልጥ ሓድሽ
ንጉስ ተንስኤ። 9 ንሱ ድማ ንህዝቡ፡ እንሆ፡ ህዝቢ ደቂ እስራኤል ካባና በዝሑን በርትዖን፡ 10 እምበኣርከ
ኸይበዝሑ እሞ፡ ውግእ ምስ ዚለዐለና፡ ንሳቶም ድማ ምስ ጸላእትና ሐቢሮም ከይዋግኡና ኻብዛ
ሃገርውን ከይወጹ፡ ንዑ ንጣበበሎም፡ በሎም። 11 ብብርቱዕ ዕዮ ምእንቲ ኺጽብቡሎም ከኣ ኣዘዝቲ
ሸመሎም። ንፈርኦን ድማ ጺቶምን ራዕምሴን ከተማታት ሪቕ ሰርሑሉ። 12 ብመጠን እቲ ዘጽበቡሎም
ግና ኽንዳኡ ሰሰኑ፡ ክንዳኡ ኸኣ ተዘርግሑ እሞ፡ ብደቂ እስራኤል ይጭነቑ ነበሩ። 13 ግብጻውያን ንደቂ
እስራኤል ብጭከና ኣዕየይዎም። 14 ንህይወቶም ድማ ብብርቱዕ ዕዮ፡ ብባዕጥን ብጡብን ብዅሉ ዕዮ
መሮርን በቲ ዅሉ ዜዕይይዎም ዕዮ ብምጭካን ኣመረርዎም። 15 ንጉስ ግብጺ ድማ ነተን መሕረስቲ
እብራውያን፡ እታ ሓንቲ ሺፍራ ዝስማ፡ እታ ኻልኣይቲ ኸኣ ጹዓ ዝስማ፡ ተዛረበን፡ 16 ነተን ኣንስቲ
እብራውያን ከተሕርሳኤን ከሎኽን፡ ኣብቲ ዚሐርሳሉ ርኣያ፡ ወዲ እንተ ኾነ ቅተላኦ፡ ጓል እንተ ኾነት
ግና ብህይወታ ትንበር። 17 እተን መሕረስቲ ግና ንኣምላኽ ፈሪሄን፡ ነቶም እተወልዱ ብህይወት
ሐደጋኦም እምበር፡ ከምቲ ንጉስ ግብጺ ዝበለን ኣይገበራን። 18 ሽዑ ንጉስ ነተን መሕረስቲ ጸዊዑ፡ ነቶም
እተወልዱ ብህይወት እትሐድጋኦምሲ፡ ስለምንታይ ከምዚ ገበርክን፧ በለን። 19 እተን መሕረስቲ ኸኣ
ንፈርኦን፡ እተን እብራውያን ከም ኣንስቲ ግብጻውያን ኣይኰናን። ንሳተን ሓያላት እየን እሞ፡ እታ
መሕረሲት ከይመጸተን ሐሪሰን ይጸንሓ፡ በላኦ። 20 ኣምላኽ ድማ ነተን መሕረስቲ ጽቡቕ ገበረለን። እቲ
ህዝቢውን በዝሐ፡ ኣዝዩ ኸኣ በርትዔ። 21 ኰነ ድማ፡ እተን መሕረስቲ ንኣምላኽ ስለ ዝፈርሃ፡ ኣባይቲ
ገበረለን። 22 ሽዑ ፈርኦን ንዅሉ ህዝቢ፡ እተወልደ ወዲ ዘበለ ናብ ርባ ደርብይዎ፡ ኵለን ኣዋልድ ግና
ብህይወተን ሕደግወን፡ ኢሉ ኣዘዘ።

## ምዕራፍ 2

1 ሓደ ሰብኣይ ከኣ ካብ ቤት ሌዊ ኸይዱ ጓል ሌዊ ኣእተወ። 2 እታ ሰበይቲ ድማ ጠነሰት፡ ወዲውን
ወለደት። ንሱ ጽቡቕ ቈልዓ ምዃኑ ምስ ረኣየት ከኣ፡ ሰለስተ ወርሒ ሐብኣቶ። 3 ደጊም ምሕባኡ ምስ
ሰኣነት፡ ሳጹን ሻምብቆ ወሲዳ ብቕጥራንን ብዝፍትን ለቕለቐቶ፡ ነቲ ቈልዓ ናብኡ ኣእትያ ድማ፡ ኣብ
ገምገም ርባ፡ ኣብ ሰልሰላ ኣንበረቶ። 4 ሓብቱ ድማ እንታይ ከም ዚረኽቦ ኽትፈልጥ፡ ርሕቕ ኢላ ደው
በለት። 5 ጓል ፈርኦን ከኣ ክትሕጸብ ናብ ርባ ወረደት፡ እተን ኣግራዳ ድማ ገምገመገምገም እቲ ርባ
ይዛወራ ነበራ። ኣብ ማእከል ሰልሰላ ሳጹን ረኣየት እሞ፡ ገረዳ ሰዲዳ ኣምጽኣቶ። 6 ከፊታ ድማ ነቲ ሕጻን
ረኣየቶ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቈልዓ ይበኪ ነበረ። ደንጊጻትሉ ድማ፡ እዚ ኻብ ሕጻናት እብራውያን እዩ፡

በለት። 7 ሽዑ እታ ሓብቱ ንጓል ፈርኦን፡ ካብተን እብራውያን ኣንስቲ ነዚ ሕጻንዚ እተጥብወልኪ
መጉዚትዶ ኽጽውዓልኪ ክኸይድ፧ በለታ። 8 ጓል ፈርኦን ከኣ፡ ኪዲ፡ በለታ። እታ ጓል ድማ ከደት፡ ነደ
እቲ ሕጻን ከኣ ጸውዓታ። 9 ጓል ፈርኦን ድማ፥ ነዚ ሕጻንዚ ወሲድኪ ኣጥብውለይ፡ ኣነ ኸኣ ዓስብኺ
ኽህበኪ እየ፡ በለታ። እታ ሰበይቲ ድማ ነቲ ሕጻን ወሲዳ ኣጥበወቶ። 10 እቲ ሕጻን ከኣ ዐበየ፡ ናብ ጓል
ፈርኦንውን ኣምጽኣቶ። ወዳ ድማ ኾነ። ካብ ማይ ኣውጺኤዮ እየ፡ ኢላ ስሙ ሙሴ ኣውጽኣትሉ። 11
ኰነ ድማ፡ በተን መዓልትታት እቲኤን ሙሴ ምስ ዐበየ፡ ናብ እሕዋቱ ወጺኡ፡ ነቲ ብርቱዕ ጻዕሮም
ረኣየ። ግብጻዊ ሰብኣይ ድማ ንእብራዊ ሰብኣይ፡ ካብቶም ኣሕዋቱ፡ ኪወቕዖ ረኣየ። 12 ናብዝን ናብትን
ግልጽ ግልጽ ኢሉ፡ ሰብ ከም ዘልቦ ምስ ረኣየ፡ ነቲ ግብጻዊ ቐቲሉ፡ ኣብ ሑጻ ሐብኦ። 13 በታ ኻልኣይቲ
መዓልቲ ድማ ወጸ፡ እንሆ፡ ክልተ እብራውያን ሰብኡት ኪበኣሱ ረኣየ። ነቲ ዝዐመጸ፡ ከመይ ንብጻይካ
እትወቕዖ፧ በሎ። 14 ንሱ ድማ፡ መን መስፍንን ፈራድን ገይሩ ኣብ ልዕሌና ሸመካ፧ ንስኻ ነቲ ግብጻዊ
ኸም ዝቐተልካዮ ኽትቀትለኒዶ ትደሊ ኣሎኻ፧ በለ። ሽዑ ሙሴ ፈርሄ፡ እዚ ነገርዚ ብርግጽ ተፈሊጡ
እዩ፡ ድማ በለ። 15 ፈርኦን ከኣ እዚ ነገርዚ ሰሚዑ ንሙሴ ኪቕትሎ ደለየ። ሙሴ ግና ካብ ቅድሚ ፈርኦን
ሀደመ፡ ኣብ ምድሪ ሚድያን ድማ ተቐመጠ፡ ኣብ ጥቓ ዔላ ኸኣ ኮፍ በለ። 16 ካህን ሚድያን ድማ
ሾብዓተ ኣዋልድ ነበራኦ። ንሳተን መጺኤን ነባጊዕ ኣቦኤን ኬስትያ፡ ማይ ቀዲሔን ነቲ ጋብላታት
መልኣኦ። 17 ጓሶት ድማ መጺኦም ሰጐጕወን፡ ሙሴ ግና ተንሲኡ ረድኤን፡ ኣባጊዔን ድማ ኣስተየ። 18
ናብ ኣቦኤን ራጉኤል ምስ መጻ ኸኣ፡ ንሱ፧ ሎሚ ኸመይ ኢልክን ቀልጢፍክን መጺእክን፧ በለን። 19
ንሳተን ድማ፡ ሓደ ግብጻዊ ሰብኣይ ካብ ኢድ እቶም ጓሶት ኣድሐነና፡ ማይ ቀዲሑ ኸኣ ነባጊዕና
ኣስተየልና፡ በላኦ። 20 ነዋልዱ ድማ፡ ኣበይ ደኣ ኣሎ፧ ስለምንታይከ ነቲ ሰብቲ ሐደግኽንኦ፧ እንጌራ
ኺበልዕ ጸውዓኦ፡ በለን። 21 ሙሴ ድማ ምስቲ ሰብኣይ ኪነብር ፈተወ። ንሱ ኸኣ ጺጶራ ጓሉ ንሙሴ
ሀቦ። 22 ወዲ ድማ ወለደት እሞ፡ ኣነ ኣብ ምድሪ ጓና ስደተኛ እየ፡ ኢሉ ስሙ ጌርሾም ኣውጽኣሉ። 23 ኰነ
ድማ፡ ድሕሪ ብዙሕ መዓልቲ ንጉስ ግብጺ ሞተ። ደቂ እስራኤል ከኣ ካብ ባርነቶም እተላዕለ እህህ በሉ፡
ጨርሑ ድማ። እቲ ኣውያቶም ብዛዕባ ባርነቶም ከኣ ናብ ኣምላኽ ደየበ። 24 ኣምላኽ ድማ ቍዝማኦም
ሰምዔ፡ ኣምላኽ ከኣ ነቲ ምስ ኣብርሃምን ምስ ይስሃቅን ምስ ያእቆብን ዝኣተዎ ኺዳን ዘከረ። 25 ኣምላኽ
ድማ ናብ ደቂ እስራኤል ረኣየ፡ ኣምላኽ ከኣ ህልዋቶም ፈለጠ።

## ምዕራፍ 3

1 ሙሴ ድማ ኣባጊዕ የትሮ ሓሙኡ፡ ካህን ሚድያን፡ ይጓሲ ነበረ። ነተን ኣባጊዕ እናኸብከበን ናብ
ክንየው በረኻ፡ ናብ ሆሬብ ከረን ኣምላኽ፡ መጸ። 2 መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ማእከል ኣሻኹ
ቈጥቋጥ ብሃልሃልታ ሓዊ ተራእዮ። እንተ ጠመተ ድማ እንሃ፡ እታ ቈጥቋጥ ብሓዊ ትነድድ ነበረት፡ እታ
ቈጥቋጥ ግና ኣይተበልዔትን። 3 ሙሴ ኸኣ፡ እዚ ዓብዩ ትርኢት እዚ፡ እዛ ቈጥቋጥ ከመይ ኢላ ሞኾ ከም
ዘይትብል ደኣ ኸይደ ኽርኢ፡ በለ። 4 እግዚኣብሄር ድማ ኪርኢ ኸም ዝቐረበ ምስ ረኣየ፡ ኣምላኽ ካብ
ማእከል እታ ቈጥቋጥ፡ ሙሴ፡ ሙሴ፡ ኢሉ ጸውዖ። ንሱ ድማ፧ እኔኹ፡ በለ። 5 ሽዑ ኸኣ፡ ናብዚ
ኣይትቕረብ። እዛ ደው ኢልካላ ዘሎኻ ቦታ ቅድስቲ ምድሪ እያ እሞ፡ ኣሳእንካ ኻብ ኣእጋርካ ኣውጽእ፡
በለ። 6 ድማ፡ ኣነ ኣምላኽ ኣቦኻ፡ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላኽ ይስሃቅ፡ ኣምላኽ ያእቆብ ከኣ እየ፡ በለ።
ሙሴ ድማ ንኣምላኽ ከይጥምት ፈርሄ እሞ፡ ገጹ ኸደነ። 7 እግዚኣብሄር ድማ፡ ጸበባ እቲ ኣብ ግብጺ
ዘሎ ህዝበይ ፈሊጠ እየ እሞ፡ ስቓዮም ኣጸቢቐ ርኤኹ፡ እቲ ብሰሪ መጨነቕቶም ዜእውይዎ ኸኣ ሰሚዔ

ኣሎኹ። 8 ስለዚ ኻብ ኢድ ግብጻውያን ከድሕኖም ወሪደ ኣሎኹ፡ ካብታ ምድሪ እቲኣ ናብታ ጽብቕትን
ርሕብትን ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ፡ ናብታ ቦታ ኸነኣናውያንን ሄታውያንን ኣሞራውያንን
ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን ከድይቦም እየ። 9 ሕጂ ድማ እንሆ፡ ኣውያት ደቂ እስራኤል ናባይ
መጸ፡ እቲ ግብጻውያን ዘጥቕዕዎም ጥቕዓት ርኤኹ። 10 እምበኣር ሕጂ ንዓ፡ ንህዝበይ ደቂ እስራኤል ካብ
ግብጺ ኸተውጽኦም፡ ናብ ፈርኦን ክልእከካ እየ፡ በለ። 11 ሙሴ ድማ ንኣምላኽ፡ ናብ ፈርኦን ዝኸይድን
ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጽእንከ፡ ኣነ መን እየ፧ በሎ። 12 ኣምላኽ ከኣ፡ ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ
እሞ፡ ኣነ ኸም ዝለኣኽኩኻ ድማ፡ እዚኣ ትእምርቲ ትኩንካ፡ ነቲ ህዝቢ ኻብ ግብጺ ምስ ኣውጻእካዮ፡
ኣብዚ ኸረን እዚ ንኣምላኽ ከተገልግሉ ኢኹም፡ በለ። 13 ሙሴ ድማ ንኣምላኽ፡ እንሆ፡ ናብ ደቂ
እስራኤል መጺኤ፡ ኣምላኽ ኣቦታትኩም ናባኻትኩም ልኢኹኒ ምስ በልክዎም፡ ስሙ መን እዩ እንተ
በሉንስ፡ እንታይ ክብሎም እየ፧ በሎ። 14 ኣምላኽ፡ ከኣ ንሙሴ፡ እቲ ዘሎኹ እየ ዘሎኹ፡ በሎ። በለ ድማ፡
ንደቂ እስራኤል፡ እቲ ኣሎኹ ናባኻትኩም ለኣኸኒ፡ በሎም። 15 ኣምላኽ ድማ ወሲኹ ንሙሴ በሎ፡ ንደቂ
እስራኤል ከምዚ በሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም፡ ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላኽ ይስሃቅ፡
ኣምላኽ ያእቆብ ከኣ ናባኻትኩም ለኣኸኒ። እዚ ንዘለኣለም ስመይ እዩ፡ ንውሉድ ወለዶ ኸኣ እዚ
መዘከርታይ እዩ። 16 ኪድ ንዓበይቲ እስራኤል ኣኪብካ በሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም፡
ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላኽ ይስሃቅ፡ ኣምላኽ ያእቆብ ከኣ ተገልጸለይ፡ ከምዚ ኢሉ፡ ብርግጽ
በጺሔኩም፡ እቲ ኣብ ግብጺ ዝገበሩኹም ድማ ርኤኹ። 17 ካብ ጸበባ ግብጺ ናብ ምድሪ ኸነኣናውያንን
ሔታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን፡ ጸባን መዓርን ናብ እተውሕዝ ምድሪ
ኸደይበኩም እየ፡ ድማ በልኩ። 18 ቃልካ ኸኣ ኪሰምዑ እዮም። ንስኻን ዓበይቲ እስራኤልን ናብ ንጉስ
ግብጺ ኣቲኹም፡ ከምዚ ትብልዎ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እብራውያን ተገልጸልና። ሕጂ ድማ በጃኻ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽንስውእ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኽንከይድ፡ በልዎ። 19 ብሓያል
ኢድ እንተ ዘይኰይኑ፡ ንጉስ ግብጺ ኸትከዱ ኸም ዘይሐድገኩም እፈልጥ ኣሎኹ። 20 በቲ ኣብ ማእከላ
ዝገብሮ ኹሉ ተኣምራተይ ከኣ ኢደይ ዘርጊሔ ንግብጺ ኽወቕዓ እየ። ድሕሪኡ ድማ ኪሐድገኩም እዩ።
21 ነዚ ህዝቢ እዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ግብጻውያን ሞገስ ክህቦ እየ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ምስ እትኸዱ፡
ጥራይ ኢድኩም ኣይትኸዱን ኢኹም። 22 ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ ኻብ ጐረቤታን፡ ካብታ ኣብ ቤታ
እትነብርን ኣቕሓ ብሩርን ኣቕሓ ወርቅን፡ ክዳውንትን ትለምን። ነዚ ኣብ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን
ግበርዎ፡ ንግብጻውያን ከኣ ትገፍዎም።

# ምዕራፍ 4

1 ሙሴ ድማ፡ እንሆ፡ ንሳቶም፤ እግዚኣብሄር ኣይተራእየካን፡ ኪብሉኒ እዮም እሞ፡ ኣይኣምኑንን፡
ቃለይውን ኣይሰምዑን እዮም፡ ኢሉ መለሰ። 2 እግዚኣብሄር ድማ፤ እዛ ኣብ ኢድካ ዘላ እንታይ እያ፧
በሎ። ንሱ ኸኣ፤ በትሪ፡ በለ። 3 ንሱ ድማ፤ ናብ ምድሪ ደርብያ፡ በለ። ናብ ምድሪ ደርበያ፡ ተመን ከኣ
ኰነት። ሙሴ ድማ ካብ ቅድሚኣ ሀደመ። 4 እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፡ ኢድካ ዘርግሕ እሞ፡ ብዓለሊኡ
ሐዞ፡ በሎ።ኢዱ ዘርጊሑውን ሐዞ፡ ኣብ ኢዱ ኸኣ በትሪ ኾነ። 5 እዚ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም፡
ኣምላኽ ኣብርሃም፡ ኣምላኽ ይስሃቅ፡ ኣምላኽ ያእቆብ ከም እተራእየካ፡ ምእንቲ ኺኣምኑ እዩ። 6
እግዚኣብሄር ድማ ወሲኹ፤ ኢድካ ናብ ትሽትሽካ ኣእቱ፡ በሎ። ናብ ትሽትሹ ኸኣ ኣእተዋ። ምስ ኣውጽኣ
ድማ፡ እንሃ፡ ኢዱ ብለምጺ ኸም በረድ ጻዕድያ ነበረት። 7 ኢድካ ናብ ትሽትሽካ ኣእቱ፡ ከኣ በለ። ኢዱ

ናብ ትሽትሹ ኣእተወ። ካብ ትሽትሹ ምስ ኣውጽኣ ድማ፡ እንሃ፡ መሊሳ ኸምቲ ኻልእ ስጋኡ ኰነት። 8
ኪኸውን ድማ እዩ፡ እንተ ዘይኣመኑኻ፡ ንቓል እቲ ቀዳማይ ትእምርቲ እንተ ዘይሰምዑ፡ ንቓል እቲ
ዳሕራይ ትእምርቲ ኺኣምኑ እዮም። 9 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ነዚ ኽልተ ትእምርቲ እዚ እንተ ዘይኣመኑ፡
ንቓልካውን እንተ ዘይሰምዑ፡ ካብቲ ርባ ማይ ውሰድ እሞ፡ ናብቲ ንቑጽ ክዐዎ። እቲ ኻብ ርባ
ዝወሰድካዮ ማይ ከኣ ኣብቲ ንቑጽ ምድሪ ደም ኪኸውን እዩ። 10 ሙሴ ድማ ንእግዚኣብሄር፣ ኣየ
ጐይታይ፡ ኣነ ኣፈይ ወታእ፡ ልሳነይ ኰርታዕ እየ እሞ፡ ትማሊ ኰነ፡ ቅድሚ ትማሊ ኰነ፡ ሕጂ ንባርያኻ
ምስ ተዛረብካኒውን፡ ኣነ ተዛራቢ ሰብ ኣይኰንኩን፡ በሎ። 11 እግዚኣብሄር ድማ፡ ንሰብ ኣፍ ዝገበረሉ
መን እዩ፧ ወይ ዓባስ ወይ ጸማም ወይ ዚርኢ ወይ ዕዉር ዝገበሮኸ መን እዩ፧ ኣነ እግዚኣብሄር
ኣይኰንኩን፧ 12 ሕጂ ኸኣ ኪድ፡ ኣነ ምስ ኣፍካ ኰይነ፡ እቲ እትዛረቦ ኽምህረካ እየ፡ በሎ። 13 ንሱ ግና፡
በጃኻ ጐይታይ፡ በቲ እትልእኮ ደኣ ልኣኽ፡ በሎ። 14 ሽዑ ዅራ እግዚኣብሄር ብሙሴ ነደደ በሎ ኸኣ፡
ኣሮን ሓውካ፡ እቲ ሌዋዊዶ የሎን፧ ንሱ ጽቡቕ ተዛራቢ ምዃኑ እፈጥ ኣሎኹ። እንሆ ኸኣ፡ ንሱ ኪቕበለካ
ይወጽእ ኣሎ፡ ምስ ረኣየካ ድማ ብልቡ ኺሕጐስ እዩ። 15 ንስኻ ንእኡ ኽትዛረቦ ኢኻ፡ እቲ ቓላት ድማ
ኣብ ኣፉ ኣንብር። ኣነ ኸኣ ምስ ኣፍካን ምስ ኣፉን ኰይነ እቲ እትገብርዎ ኽምህረኩም እየ። 16 ኪኸውን
ከኣ እዩ፡ ንሱ ኣፍ ይኾነካ፡ ንስኻ ድማ ከም ኣምላኽ ትኾኖ፡ ንሱ ኣብ ክንዳኻ ንህዝቢ ይዛረብ። 17 ነዛ
በትሪ እዚኣ ኸኣ፡ እቲ ትእምርትታት ክትገብረላ፡ ኣብ ኢድካ ዉሰዳ። 18 ሙሴ ኸደ፡ ናብ ሓሙኡ የትሮ
ተመሊሱ ኸኣ፣ ናብቶም ኣብ ግብጺ ዘለዉ ኣሕዋተይ ተመሊሰ፡ ገና ብህይወት እንተ ኣልዮም ደኣ ኽርኢ
ክኸይድ፡ በሎ። የትሮ ኸኣ ንሙሴ ብሰላም ኪድ፡ በሎ። 19 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኣብ ሚድያን፡
እቶም ንነፍስኻ ዚደልይዋ ዝነበሩ ሰባት ኵሎም ሞይቶም ኢዮም እሞ፡ ኪድ ናብ ግብጺ ተመለስ፡ በሎ።
20 ሙሴ ኸኣ ሰበይቱን ደቁን ወሲዱ ኣብ ኣድጊ ኣወጢሕዎም፡ ናብ ምድሪ ግብጺ ተመለሰ። ሙሴ ድማ
ነታ በትሪ ኣምላኽ ኣብ ኢዱ ወሰዳ። 21 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ናብ ግብጺ ኽትምለስ ኢልካ
ኽትከይድ ከሎኻ፡ ነተን ክትገብረን ኣብ ኢድካ ዝሀብኩኻ ዅለን ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ፈርኦን
ክትገበረን ተጠንቀቕ። ኣነ ግና ልቡ ኽጽንዖ እየ፡ ንሱ ኸኣ ነቲ ህዝቢ ኣይሐድጎን። 22 ንፈርኦን ድማ
ክትብሎ ኢኻ፣ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ እስራኤል በዅሪ ወደይ እዩ፡ 23 እሞ ንወደይ ኬገልግለኒ
ይኺድ ሕደጎ፡ ኢለካ ነበርኩ፡ ግናኸ ምሕዳጉ ኣቤኻ። እንሆ፡ ኣነ ንበዅሪ ወድኻ ክቕትል እየ። 24 ኰነ
ድማ፡ ሙሴ ኣብ መገዲ ኣብ ሓደ መሕደሪ ኸሎ፡ እግዚኣብሄር ተራኸቦ፡ ኪቕትሎውን ደለየ። 25 ሽዑ
ጺጶራ ጽልጽለ ወሲዳ፡ ዕልቦ ወዳ ገዘረት፡ ናብ ኣእጋሩ ደርብያቶ ኸኣ፡ ንስኻ ንኣይ ናይ ደም መርዓዊ
ኢኻ፡ በለቶ። 26 ካብኡ ኸኣ ኣልገሰ። ሽዑ ድማ፣ ብምኽንያት ግዝረት ናይ ደም መርዓዊ ኢኻ፡ በለት። 27
እግዚኣብሄር ከኣ ንኣሮን፡ ኪድ ንሙሴ ኣብ በረኻ ተቐበሎ፡ በሎ። ከይዱ ድማ ኣብ ከረን ኣምላኽ
ተጓነፎ፡ ሰዐሞ ኸኣ። 28 ሙሴ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ብእኡ ዝለኣኾ ዅሉ ቃልን እቲ ዝኣዘዞ ዅሉ
ትእምርትታትን ንኣሮን ነገሮ። 29 ሙሴን ኣሮንን ከኣ ከይዶም ንዅሎም ዓበይቲ ደቂ እስራኤል ኣከቡ። 30
ኣሮን ድማ እቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ እተዛረቦ ዅሉ ነገር ኣዛረቦም። እቲ ትእምርትታት ከኣ ኣብ ቅድሚ
እቲ ህዝቢ ገበሮ። 31 እቲ ህዝቢ ድማ ኣመነ። እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ከም ዝበጽሖም፡
ጸበባኦምውን ከም ዝረኣየ ምስ ሰምዑ፡ ፍግም ኢሎም ሰገዱ።

## ምዕራፍ 5

1 ድሕርዚ ድማ ሙሴን ኣሮንን ናብ ፈርኦን ኣትዮም በልዎ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ

ይብል፤ ንህዝበይ ኣብ በረኻ በዓል ኪገብሩለይ፡ ሕደጎም። 2 ፈርኦን ድማ፤ እቲ ቓሉ ሰሚዔ ንእስራኤል
ዝሐድግሲ፡ እግዚኣብሄር መን እዩ፧ ንእግዚኣብሄር ኣይፈልጥ፡ ንእስራኤል ከኣ ኣይሐድግ፡ በለ። 3
ንሳቶም ድማ፤ ኣምላኽ እብራውያን ተራኺቡና እዩ እሞ፡ ፌራ ወይ ሴፍ ምእንቲ ኸየውርደልናስ፡
መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ኼድና ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽንስውኣሉ፡ በጃኻ ፍቐደልና፡
በልዎ። 4 ንጉስ ግብጺ ኸኣ፤ ዎ ሙሴን ኣሮንን፡ ስለምንታይ ነዚ ህዝቢ ኻብ ዕዮኡ ተብኵርዎ ኣሎኹም፧
ናብ ዕዮኹም ኪዱ፡ በሎም። 5 ፈርኦን ድማ፤ እንሆ፡ እዚ ህዝቢ ሕጂ ኣብዛ ሃገር በዚሑ እዩ። ካብ
ዕዮኦም ከኣ ተዕርፍዎም ኣሎኹም፡ በለ። 6 ፈርኦን በታ መዓልቲ እቲኣ ነቶም ሓላቑ ህዝብን
መዕየይቶምን ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፤ 7 ደጊም ባዕላቶም ከይዶም ሓሰር ይኣክቡ እምበር፡ ነቶም ህዝቢ
ኸም ቀደምኩም ንመስርሕ ጡብ ሓሰር ኣይትሀብዎም። 8 ቍጽሪ ጡብ ድማ ከምቲ ቐደም ዚገብርዎ
ዝነበሩ ኣግብርዎም፡ ካብኡ እኳ ኣይተጒድሉ። ሃካያት እዮም እሞ፡ ስለዚ፤ ንኣምላኽና ኽንስውእ
ንኺድ፡ ኢሎም ይጠርዑ ኣለዉ። 9 ነዞም ሰባት እዚኦም፡ ናብ ዘረባ ሓሶት ከየቕልቡ፡ ዕዮ ይኽበዶም፡
ንእኡ ድማ ይዕየዩ። 10 ሽዑ እቶም ሓላቑ ህዝብን መዕየይቶምን ወጺኦም፡ ነቶም ህዝቢ በልዎም፤ ፈርኦን
ከምዚ ይብል፡ ሓሰር ኣይህበኩምን እየ፡ 11 ናብ እትረኽብሉ ኼድኩም ባዕላትኩም ሓሰር ኣክቡ። ካብቲ
ዕዮኹም ግና ገለ ኣይጒደል። 12 እቲ ህዝቢ ኸኣ ኣብ ክንዲ ሓሰር ብርዒ ኺእክብ፡ ናብ ኵላ ምድሪ
ግብጺ ፋሕ በለ። 13 እቶም ሓላቑ ድማ፤ እቲ ነንመዓልቲ እተመደበ ዕዮ፡ ከምቲ ሓሰር ከሎኩም፡
ነንመዓቲ ምልኡ፡ ኢሎም ሀወኽዎም። 14 ነቶም ካብ ደቂ እስራኤል መዕየይቲ ኪኾኑ፡ ሓላቑ ፈርኦን
ዝሸምዋም ድማ፤ እቲ እተመደበልኩም ዕዮ ጡብ ደኣ ትማልን ሎምንከ ኸመይ ከም ቀደምኩም
ዘይመላእኩም፧ ኢሎም ገረፍዎም። 15 እቶም መዕየይቲ ደቂ እስራኤል ከኣ ናብ ፈርኦን ከይዶም ጠርዑ፡
ስለምንታይ ንገላዉኻ ኸምዚ ትገብረና ኣሎኻ፧ 16 ንገላዉኻ ሓሰር ኣይህቡን፡ ጡብ ግበሩ ድማ ይብሉና።
እንሆ ኸኣ፡ ገላዉኻ ተገርፉ፡ እዚ ግና ሓጢያት ህዝብኻ እዩ፡ በሉ። 17 ንሱ ግና፤ ንስኻትኩም ሃካያት
ኢኹም፡ ሃካያት ኢኹም። ስለዚ፤ ንእግዚኣብሄር ክንስውእ ንኺድ፡ ትብሉ ኣሎኹም። 18 ሕጂ ድማ ኪዱ
ዕየዩ። ሓሰር ኣይትወሀቡን፡ እቲ ምዱብ ቍጽሪ ጡብ ግና ክትህቡ ኢኹም። 19 ካብቲ ነናይ መዓልቲ
ቑጽሪ ጡብ ኣይተጒድሉ፡ ምስ በልዎም፡ እቶም መዕየይቲ ደቂ እስራኤል ከም ዝገደዶም ረኣዩ። 20 ካብ
ፈርኦን ኪወጹ ኸለዉ ድማ፡ ንሙሴን ንኣሮንን ተጓነፍዎም፡ ንሳቶም ኪረኽብዎም ደው ኢሎም ነበሩ።
21 በልዎም ድማ፤ ኣብ ቅድሚ ፈርኦንን ኣብ ቅድሚ ገላዉኡን ጨናና ኣኽፋእኩም፡ ንምቕታልና ኸኣ
ሴፍ ኣብ ኢዶም ኣትሓዝኩምዋም። ስለዚ እግዚኣብሄር ይርኤኹም፡ ይፍረድ ድማ። 22 ሙሴ ኸኣ ናብ
እግዚኣብሄር ተመሊሱ፤ ጐይታይ፡ ከመይ ነዚ ህዝቢ እዚ ኣኽፋእካሉ ስለምንታይከ ነዚ ለኣኽካኒ፧ ድማ
በለ። 23 ካብታ ናብ ፈርኦን ከይደ ብስምካ እተዛረብኩላ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ኣኽፍኣሉ ንህዝብኻ ድማ ከቶ
ኣየድሐንካዮን፡ ከኣ በለ።

## ምዕራፍ 6

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እቲ ንፈርኦን ዝገብሮ ሕጂ ኽትርኢ ኢኻ፡ ብሓያል ኢድ ኪሐድጎም እዩ፡
ኤረ ብሓያል ኢድ ካብ ሃገሩ ኺሰጎም እዩ፡ በሎ። 2 ኣምላኽ ድማ ንሙሴ ተዛረቦ፡ በሎ ኸኣ፡ ኣነ
እግዚኣብሄር እየ፡ 3 ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያእቆብን ከምቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ ተገለጽኩሎም፡
ብስመይ እግዚኣብሄር ግና ኣይተፈለጥኵሎምን። 4 እታ ተስዲዶምዋ ዝነበሩ ምድሪ ስደቶም፡ ሃገር ከንኣን
ክህቦም ምስታቶም ኪዳነይ ኣቐምኩ። 5 ኣነ ድማ ቍዝማ እቶም፡ ግብጻውያን ባሮት ዝገበርዎም፡ ደቂ

እስራኤል ሰሚዔ፡ ኪዳነይ ዘከርኩ። 6 ስለዚ ንደቂ እስራኤል በሎም፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ካብ ትሕቲ
እቲ ኸቢድ ዕዮ ግብጻውያን ከውጽኣኩም እየ፡ ካብ ባርነቶም ከኣ ሓራ ኽውጽኣኩም እየ፡ ብዝርግሕቲ
ቕልጽምን ብዓበይቲ ፍርድታትን ከድሕነኩም እየ። 7 ህዝበይ ክትኰኑ ድማ እወስደኩም፡ ኣምላኽ ከኣ
እኾነኩም። ካብ ትሕቲ እቲ ኸቢድ ዕዮ ግብጻውያን ዘውጽኣኩም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም
ዝኾንኩ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም። 8 ናብታ ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያእቆብን ክህቦም ኢደይ
ዝዘርጋሕኩላ ምድሪ ኸኣ ከእትወኩም እየ፡ ንሳ ድማ ንርስቲ ኽህበኩም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 9
ሙሴ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ከምኡ ነገሮም። ንሳቶም ግና ካብ ጸበባ ነፍሶምን ካብ ምብርታዕ ዕዮኦምን
እተላዕለ ንሙሴ ኣይሰምዕዎን። 10 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 11 ናብ ፈርኦን ንጉስ
ግብጺ ኣቲኻ፡ ንደቂ እስራኤል ካብ ምድሩ ይውጽኡ ኺሐድጎም ተዛረቦ። 12 ሙሴ ግና ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር፡ እንሆ ደቂ እስራኤል እኳ ዘይሰምዑንስ፡ ኣነ ግዳ ኽናፍረይ ዘይግዙር፡ ከመይ ገይሩ
ፈርኦን ኪሰምዓኒ፧ ኢሉ ተዛረቦ። 13 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ተዛረቦም፡ ንደቂ እስራኤል ካብ
ምድሪ ግብጺ ኼውጽኡ፡ ናብ ደቂ እስራኤልን ናብ ፈርኦን ንጉስ ግብጽን ኪኸዱ ኣዘዞም። 14 ሓላቑ ነናይ
ቤት ኣቦታቶም እዚኣቶም እዮም፡ ደቂ ሮቤል በዅሪ እስራኤል፡ ሓኖክን ፋሉን፡ ሔጽሮንን ካርሚን።
እዚኣቶም ዓሌታት ሮቤል እዮም። 15 ደቂ ስምኦን ድማ፡ ይሙኤልን ያሚንን ኦሃድን ያኪንን ጾሓርን
ሻውል ወዲ እታ ኸነኣናዊትን። እዚኣቶም ዓሌታት ስምኦን እዮም። 16 ስም ደቂ ሌዊ ድማ በብወለዶኦም
እዚ እዩ፡ ጌርሾንን ቀሃትን መራሪን። ዓመታት ህይወት ሌዊ ሚእትን ሰላሳን ሸብዓተን ዓመት እዩ፡ 17
ደቂ ጌርሾን፡ ሊብኒን ሺምዒን በብማይ ቤቶም። 18 ደቂ ቀሃት ድማ፡ ዓምራምን ይጽሃርን ሔብሮንን
ዑዚኤልን። ዓመታት ህይወት ቀሃት ሚእትን ሰላሳን ሰለስተን ዓመት እዩ። 19 ደቂ መራሪ ኸኣ፡ ማሕሊን
ሙሺን። እዚኣቶም በብወለዶኦም ማይ ቤት ሌዊ እዮም። 20 ኣምራም ከኣ ንዮካቤድ ኣሞኡ፡ ሰበይቱ
ኽትኰኖ ወሰዳ እሞ ንኣሮንን ንሙሴን ወለደትሉ። ዓመታት ህይወት ኣምራም ድማ ሚእትን ሰላሳን
ሸብዓተን ዓመት እዩ። 21 ደቂ ይጽሃር ከኣ፡ ቆራሕን ኔፌግን ዚክሪን። 22 ደቂ ኡዚኤልውን፡ ሚሻኤልን
ኤልጻፋንን ሲትሪን። 23 ኣሮን ድማ ንኤልሼባ ጓል ኣሚናዳብ፡ ሓብቲ ናሕሾን፡ ሰበይቱ ኽትኰኖ ወሰዳ።
ንሳ ኸኣ ናዳብን ኣቢሁን ኣልኣዛርን ኢታማርን ወለደትሉ። 24 ደቂ ቆራሕ ድማ፡ ኣሲርን ኤልቃናን
ኣብያሳፍን። እዚኣቶም ማይ ቤት ቆራሓውያን እዮም። 25 ኣልኣዛር ወዲ ኣሮን ድማ ሓንቲ ካብ ኣዋልድ
ጱጢኤል ሰበይቱ ኽትኰኖ ወሰደ። ንሳ ኸኣ ንፊንሃስ ወለደትሉ። እዚኣቶም በብዓሌቶም ሓላቑ ኣቦታት
ሌዋውያን እዮም። 26 እቲ ኣሮንን እቲ ሙሴን፡ እግዚኣብሄር፡ ንደቂ እስራኤል በብሰራዊቶም ካብ ምድሪ
ግብጺ ኣውጽእዎም፡ ዝበሎም፡ እዚኣቶም እዮም። 27 እቶም ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ኼውጽእዎም፡
ምስ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ እተዛረቡ፡ እቲ ሙሴን እቲ ኣሮንን እዚኣቶም እዮም። 28 ኰነ ኸኣ፡ በታ
እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ምድሪ ግብጺ እተዛረበላ መዓልቲ፡ 29 እግዚኣብሄር ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ። እዚ ኣነ ዝዛረበካ ዅሉ፡ ንፈርኦን ንጉስ ግብጺ ተዛረቦ። 30 ሙሴ ድማ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ እንሆ፡ ኣነ ኽናፍረይ ኣይተገዝረን፡ ከመይ ኢሉ ደኣ ፈርኦን ኪሰምዓኒ፧ በለ።

# ምዕራፍ 7

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ርኤ፡ ኣነ ንፈርኦን ከም ኣምላኹ ገበርኩኻ፡ ኣሮን ሓውኻ ድማ ነብዩ
ይኸውንካ። 2 ንስኻ እቲ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ዅሉ ነገር፡ ኣሮን ሓውኻ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ካብ ምድሩ
ይውጽኡ ኺሐድጎም፡ ንፈርኦን ይንገሮ። 3 ኣነ ግና ንልቢ ፈርኦን ከጽንዖ እየ፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ድማ

ትእምርትታተይን ተኣምራተይን ኽብዝሓ እየ። 4 ፈርኦን ከኣ ኣይኪሰምዓኩምን እዩ። ኣነ ኸኣ ኢደይ ኣብ
ግብጺ ኸንብር እየ፡ ንሰራዊተይ፡ ንህዝበይ ደቂ እስራኤል፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ብዓበይቲ ፍርድታት
ከውጽኦም እየ። 5 ግብጻውያን ድማ፡ ኢደይ ናብ ግብጺ ዘርጊሐ ንደቂ እስራኤል ካብ ማእከሎም ምስ
ኣውጻእኩ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ፡ ኪፈልጡ እዮም። 6 ሙሴን ኣሮንን ድማ ከምኡ ገበሩ።
ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ገበሩ። 7 እቲ ምስ ፈርኦን ኪዛረቡ ኸለዉ ኸኣ፡ ሙሴ ወዲ ሰማንያ ዓመት፡
ኣሮን ድማ ወዲ ሰማንያን ሰለስተን ዓመት ኰይኖም ነበሩ። 8 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን
ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 9 ፈርኦን፡ ተኣምራት ኣርእዩኒ፡ ኢሉ እንተ ተዛረበኩም፡ ንኣሮን፡ በትርኻ ወሲድካ
ናብ ቅድሚ ፈርኦን ደርብያ እሞ፡ ተመን ክትከውን እያ፡ በሎ። 10 ሙሴን ኣሮንን ከኣ ናብ ፈርኦን ኣተዉ፡
ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ድማ ከምኡ ገበሩ። ኣሮን ኣብ ቅድሚ ፈርኦንን ኣብ ቅድሚ ገላዉኡን
በትሩ ደርበየ፡ ተመን ከኣ ኰነት። 11 ፈርኦን ድማ ነቶም ጠቢባንን ሰሪይትን ጸውዖም። ንሳቶም፡ እቶም
ጠንቈልቲ ግብጺ፡ ብስራዮም ከምኡ ገበሩ። 12 ነፍሲ ወከፎም በበትሮም ደርበዩ፡ ኣትማን ከኣ ኰና።
በትሪ ኣሮን ግና ነተን ኣባትሮም ወሐጠተን። 13 ልቢ ፈርኦን ድማ ተረረ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኸኣ
ንኣታቶም ኣይሰምዖምን። 14 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ልቢ ፈርኦን ተረረ፡ ነቲ ህዝቢ ኺይሐድጎ
ኣበየ። 15 ጽባሕ ንግሆ ናብ ፈርኦን ኪድ። እንሆ፡ ናብ ማይ ኪወጽእ እዩ እሞ፡ እታ ንተመን እተለወጠት
በትሪ ኣብ ኢድካ ወሲድካ፡ ኣብ ገምገም ርባ ደው ኢልካ ተራኸቦ። 16 በሎ ኸኣ፤ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እብራውያን፡ ንህዝበይ ኣብ በረኻ ኼገልግሉኒ ሕደጎም፡ እንሆ ድማ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣይሰማዕካን፡ ኢሉ
ናባኻ ለኣኸኒ። 17 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ በዚ ኽትፈልጥ ኢኻ፡
እንሆ፡ ኣነ በዛ ኣብ ኢደይ ዘላ በትሪ ነቲ ኣብ ርባ ዘሎ ማይ ክወቕዖ እየ። ንሱ ድማ ናብ ደም ኪልወጥ
እዩ። 18 እቲ ኣብ ርባ ዘሎ ዓሳውን ይመውት። እቲ ርባ ድማ ይጽይእ፡ ግብጻውያን ከኣ ካብቲ ርባ ማይ
ምስታይ ይፍንፍኑ። 19 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ንኣሮን፡ በትርኻ ወሲድካ ናብ ልዕሊ ማያት
ግብጺ፡ ናብ ልዕሊ ወሓዝቶምን ናብ ልዕሊ ርባታቶምን ናብ ልዕሊ ቐላያቶምን ናብ ልዕሊ ኲሉ መዕቈር
ማዮምን ኢድካ ዘርግሕ እሞ፡ ደም ኪኸውን እዩ፡ ኣብ ኣቕሓ ዕጨይትን ኣብ ኣቕሓ እምንን ኣብ ኵሉ
ምድሪ ግብጺ ደም ኪኸውን እዩ በሎ። 20 ሙሴን ኣሮንን ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ከምኡ
ገበሩ። ንሱ ኸኣ በትሩ ኣልዒሉ ኣብ ቅድሚ ፈርኦንን ኣብ ቅድሚ ገላዉኡን ነቲ ኣብ ርባ ዘሎ ማይ
ወቕዖ። እቲ ኣብ ርባ ዘሎ ኲሉ ማይ ከኣ ናብ ደም ተለወጠ። 21 እቲ ኣብ ርባ ዝነበረ ዓሳ ድማ ሞተ።
እቲ ርባውን ጸይኤ። ግብጻውያን ከኣ ካብቲ ርባ ማይ ኪሰትዩ ኣይከኣሉን፡ ኣብ ኵላ ምድሪ ግብጺ ኸኣ
ደም ኰነ። 22 እቶም ጠንቈልቲ ግብጺ ድማ ብስራዮም ከምኡ ገበሩ። ልቢ ፈርኦን ከኣ ተረረ፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር ዝበሎ ድማ ኣይሰምዖምን። 23 ፈርኦን ነዚ እኳ ድማ ኣብ ልቡ ኣየእተዎን እሞ፡ ተመሊሱ
ናብ ቤቱ ኣተወ። 24 ነቲ ማይ ርባ ኺሰትይዎ ኣይከኣሉን እሞ፡ ኵላቶም ግብጻውያን ዚስተ ማይ
ደልዮም፡ ኣብ ዙርያ እቲ ርባ ኰዓቱ። 25 እግዚኣብሄር ነቲ ርባ ኻብ ዘወቕዖ ሾብዓተ መዓልቲ ኣኸለ።

## ምዕራፍ 8

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ናብ ፈርኦን ኬድካስ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ንህዝበይ
ኬገልግለኒ ይኺድ ሕደጎ። 2 ንስኻ ምሕዳጉ እንተ ኣበኻ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣነ ንኹላ ሃገርካ ብቝርዖብ
ከወቕዓ እየ። 3 እቲ ርባ ድማ ብቝርዖብ ፈለኽለኽ ኪብል እዩ፡ ደይበን ከኣ ናብ ቤትካን ናብ ሕልፍኚ
መደቀሲኻን ናብ ዓረትካን ናብ ቤት ገላዉኻን ናብ ህዝብኻን ናብ ኣታውንካን ናብ ገበራኻን ኪኣትዋ

እየን። 4 ናባኻን ናብ ህዝብኻን ናብ ኵሎም ገላዉኻን ቍርፖብ ኪድይባኹም እየን በሎ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፤ ንኣሮን፡ ናብ ልዕሊ ወሓዝትን ናብ ርባታትን ናብ ቀላያትን ኢድካ ምስ በትርኻ ዘርግሕ እሞ፡ ናብ ልዕሊ ሃገር ግብጺ ቑርፖብ ኣደይብ በሎ። 6 ኣሮን ከኣ ኢዱ ናብ ልዕሊ ማያት ግብጺ ዘርግሔ፡ እተን ቍርፖብ ድማ ደይበን ንምድሪ ግብጺ ኸደንኣ። 7 እቶም ጠንቈልቲ ድማ ብስራዮም ከምኡ ገበሩ፡ ናብ ምድሪ ግብጺ ኸኣ ቍርፖብ ኣደየቡ። 8 ሽዑ ድማ ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ጸዊዖ፡ ካባይን ካብ ህዝበይን ቍርፖብ ኬርሕቐለይ፡ ንእግዚኣብሄር ለምኑለይ። ኣነ ኸኣ ነቲ ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ኪሰውእ ይኺድ ክሐድጎ እየ፡ በሎም። 9 ሙሴ ንፈርኦን፡ እተን ቍርፖብ ካባኻን ካብ ኣባይትኻን ኪጠፍኣ እሞ ኣብ ርባ ጥራይ ኪተርፋስ፡ ምእንታኻን ምእንቲ ገላዉኻን ምእንቲ ህዝብኻን ንመኣዝ ከም ዝልምን፡ ብኽብረትካ ቕረጸለይ፡ በሎ። 10 ንሱ ድማ፡ ንጽባሕ፡ በለ። እሞ፡ ከም እግዚኣብሄር ኣምላኽና ከም ዜልቦ ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ ከምቲ ዝበልካዮ ይኹን። 11 እዘን ቍርፖብ ካባኻን ካብ ኣባይትኻን ካብ ገላዉኻን ካብ ህዝብኻን ኪርሕቓ፡ ኣብ ርባ ጥራይ ኪተርፋ እየን፡ በለ። 12 ሙሴን ኣሮንን ከኣ ካብ ፈርኦን ወጹ። ሙሴ ድማ፡ ብዛዕባ እተን ናብ ፈርኦን ዘምጽኤን ቍርፖብ፡ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። 13 እግዚኣብሄር ድማ ከምቲ ሙሴ ዝበሎ ገበረ። እተን ቍርፖብ ከኣ ካብ ኣባይትን ካብ ደነብን ካብ መሮርን ሞታ። 14 እናኣከቡ ኈመርወን፡ እታ ምድሪ ኸኣ በድበደት። 15 ፈርኦን ግና፡ ዕረፍቲ ኸም ዝኾነ ምስ ረኣየ፡ ልቡ ኣትረረ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኸኣ ኣይሰምዖን። 16 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ንኣሮን፡ በትርኻ ዘርግሕ፡ ነቲ ደበቕቦቓ ምድሪ ውቕዓዮ፡ ኣብ ኵላ ምድሪ ግብጺ ድማ ጳጹት ኪኸውን እዩ በሎ። 17 ከምኡ፡ ኸኣ ገበረ። ኣሮን ኢዱ ምስ በትሩ ዘርጊሑ ነቲ ደበቕቦቓ ምድሪ ወቕዖ፡ ናብ ሰብን ናብ ማልን ድማ ጳጹት ኰነ። ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ኸኣ ኵሉ ደበቕቦቓ ምድሪ ጳጹት ኰነ። 18 እቶም ጠንቈልቲ ድማ ብስራዮም ጳጹት ኬውጽኡ ኸምኡ ገበሩ፡ ግናኸ ኣይከኣሉን። ጳጹት ከኣ ኣብ ሰብን ኣብ ማልን ኰነ። 19 እቶም ጠንቈልቲ ድማ ንፈርኦን፤ እዚኣ ኣጻብዕ ኣምላኽ እያ፡ በልዎ። ልቢ ፈርኦን ግና ተረረ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኸኣ ኣሰምዖምን። 20 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ጽባሕ ኣንጊህካ ተንስእ፡ ናብ ቅድሚ ፈርኦን ከኣ ደው በል። እንሆ፡ ናብ ማይ ይወጽእ ኣሎ እሞ በሎ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፤ ንህዝበይ ኬገልግለኒ ይኺድ ሕደጎ። 21 ንህዝበይ እንተ ዘይሐደግካዮ ድማ፡ እንሆ፡ ናባኻን ናብ ገላዉኻን ናብ ህዝብኻን ናብ ኣባይትኻን ጽንጽያ ኸልቢ ኽሰድድ እየ። ኣባይቲ ግብጻውያንን እታ ዚነብሩላ ምርድን ከኣ ብጽንጽያ ኸልቢ ኽመልኣ እየን። 22 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኣነ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል ምድሪ ምዃነይ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ ነታ ህዝበይ ዚነብረላ ምድሪ ጎሼን ጽንጽያ ኸልቢ ዜብላ ገይረ ኽፈልያ እየ። 23 ኣብ መንጎ ህዝበይን ኣብ መንጎ ዝህብኻን ምፍልላይ ክገብር እየ። እዚ ትእምርቲ እዚ ጽባሕ ኪኸውን እዩ። 24 እግዚኣብሄር ድማ ከምኡ ገበረ። ናብ ቤት ፈርኦንን ናብ ቤት ገላዉኡን ብዙሓት ዕስሌታት ጽንጽያ ኸልቢ መጹ። ኣብ ኵላ ሃገር ግብጺ ድማ እታ ምድሪ ብጽንጽያ ኸልቢ ተበላሸወት። 25 ሽዑ ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ጸዊዖ፡ ኪዱ ኣብዛ ሃገር ንኣምላኽኩም ሰውኡ፡ በሎም። 26 ሙሴ ግና፡ እቲ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና እንስውኦ፡ ርኽሰት ግብጻውያን እዩ እሞ፡ ከምዚ ኺግበር ኣይቕኑዕን። እቲ ርኽሰት ግብጻውያን ዝኾነ ኣብ ቅድሚኦም እንተ ሰዋእናስ፡ ብዳርባ እምኒዶ ኣይቀትሉናን፧ 27 ከምቲ ዚብለና ዘሎ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽንሰውእሲ፡ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ናብ በረኻ ንኺድ፡ በለ። 28 ፈርኦን ከኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣብ በረኻ ኽትስውኡሉ ኽሐድገኩም እየ። ምእንታይ ድማ ለምኑ፡ ኣርሒቕኩም ደኣ ኣይትኺዱ፡ በለ። 29 ሙሴ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣነ ካባኻ እወጽእ ኣሎኹ፡ ንእግዚኣብሄር ድማ ክልምን እየ። እቶም ጽንጽያ ኸልቢ ኸኣ ካብ ፈርኦን ካብ ገላዉኡን ካብ ህዝቡን

ጽባሕ ኪኸዱ እዮም። ፈርኦን ግዳ ነቲ ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ኪሰውእ ምሕዳጉ ኸይኣቢ፡ መሊሱ
ኣይጠብረና፡ በለ። 30 ሙሴ ድማ ካብ ፈርኦን ወጺ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ለመነ። 31 እግዚኣብሄር ድማ
ሙሴ ኸም ዝበሎ ገበረ። ነቶም ጽንጽያ ኸልቢ ኻብ ፈርኦንን ካብ ገላዉኡን ካብ ህዝቡን ሓደኳ
ኸይተረፈ ኣርሓቖም። 32 ፈርኦን በዛ ጊዜ እዚኣ ድማ ልቡ ኣትረረ፡ ንህዝቢ ኸኣ ኣይሐደጎን።

## ምዕራፍ 9

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ናብ ፈርኦን ኣቲኻ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እብራውያን ከምዚ ይብል፡
ኢልካ ተዛረቦ፡ ንህዝበይ ኬገልግሉኒ ይኺዱ ሕደጎም። 2 ንስኻ ግና ምሕዳጎም ኣቤኻ፡ ገና እንተ
ሐዝካዮም፡ 3 እንሆ፡ ኢድ እግዚኣብሄር መሮር ኣብ ዘለዋ ማልካ፡ ኣብ ኣፍራስ፡ ኣብ ኣእዱግ፡ ኣብ
ኣግማል፡ ኣብ ኣሓን ኣብ ኣባጊዕን ብኣዝዩ ብርቱዕ ሕማም ክትከውን እያ። 4 እግዚኣብሄር ድማ ኣብ
መንጎ ማል እስራኤልን ኣብ መንጎ ማል ግብጻውያንን ምፍልላይ ኪገብር እዩ፡ ካብ ኵለን ናይ ደቂ
እስራኤል ገለኳ ኣይትመውትን። 5 እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ ኢሉ ግዜ ቆረጸ፡ እግዚኣብሄር ጽባሕ ኣብዛ
ሃገር እዚኣ እዚ ነገርዚ ኺገብር እዩ። 6 ንጽብሒቱ ኸኣ እግዚኣብሄር እዚ ነገርዚ ገበረ። ኵለን ማል ግብጺ
ድማ ሞታ፡ ካብ ማል እስራኤል ግና ሓንቲ እኳ ኣይሞተትን። 7 ፈርኦን ከኣ ለኣኸ፡ እንሆ፡ ካብ ማል
እስራኤል ሓንቲ እኳ ኣይሞተትን። ልቢ ፈርኦን ግና ተረረ፡ ነቲ ህዝበይውን ኣይሐደጎን። 8 እግዚኣብሄር
ድማ ንሙሴን ንኣሮንን፡ ሓመኹስቲ እቶን ኣእዳውኩም መሊእኩም ውሰዱ፡ ሙሴ ድማ ኣብ ቅድሚ
ፈርኦን ናብ ሰማይ ኣቢሉ ፋሕ የብሎ። 9 ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ኸኣ ተጐዳ ኪኸውን እዩ። ኣብ ኵላ
ምድሪ ግብጺ ድማ ኣብ ሰብን ኣብ ማልን ፎቖፎቕ ዚብል ሕበጥ ኪኸውን እዩ፡ በሎም። 10 ሸዑ
ሓመኹስቲ እቶን ወሲዶም ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ደው በሉ። ሙሴ ኸኣ ናብ ሰማይ ኣቢሉ ፋሕ ኣበሎ።
ኣብ ሰብን ኣብ ማልን ድማ ፎቖፎቕ ዝበለ ሕበጥ ኰነ። 11 ኣብቶም ጠንቈልትን ኣብ ኵሎም
ግብጻውያንን ሕበጥ ኰነ እሞ፡ እቶም ጠንቈልቲ ኸኣ በቲ ሕበጥ ምኽንያት ኣብ ቅድሚ ሙሴ ደው
ኪብሉ ኣይከኣሉን። 12 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝበሎ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንልቢ ፈርኦን ኣትረሮ፡
እሞ ኣይሰምዖምን። 13 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ጽባሕ ኣንጊህካ ተንስእ፡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ከኣ
ደው በል እሞ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እብራውያን ከምዚ ይብል በሎ፡ ንህዝበይ ኬገልግለኒ፡ ይኺድ
ሕደጎም። 14 ኣብ ኵላ ምድሪ ኸማይ ዝበለ ኸም ዜልቦ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ በዛ ጊዜ እዚኣ ድማ ኵሉ
መዓተይ ናብ ልብኻን ናብ ገላዉኻን ናብ ህዝብኻን ክሰድድ እየ። 15 ሕጂ ኸኣ ንስኻን ህዝብኻን ካብ
ምድሪ ኽትጸንቱስ፡ ኢደይ ዘርጊሔ ብፌራ ምወቓዕኩኻ ነይረ። 16 ግናኸ ሓይለይ ከርእየካ፡ ስመይ ድማ
ኣብ ኵላ ምድሪ ምእንቲ ኺውረ፡ ብእኡ ምኽንያት ኣንበርኩኻ። 17 ከይትሐድጎዶ ገና ኣብ ህዝበይ ትዕበ
ኣሎኻ፧ 18 እንሆ፡ ካብ እትስረት መዓልቲ ኽሳዕ ሕጂ ኸምኡ ዝበለ ኣብ ግብጺ ዘይኰነ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ
እዚኣ ኣዝዩ ብርቱዕ በረድ ከውርድ እየ። 19 ኣብ መሮር ኣብ እተረኽበን ናብ ቤት ኣብ ዘይኣተወን ኵሉ
ሰብን እንስሳን በረድ ኪወርድ እዩ፡ ኪሞቱ ኸኣ እዮም። ስለዚ ሕጂ ልኢኽካ ማልካን ኣብ መሮር ዘሎካ
ኵሉን ኣክብ። 20 ካብ ገላዉ ፈርኦን እቲ ንቓል እግዚኣብሄር ዝፈርሄ ዘበለ፡ ሰቡን ማሉን ናብ ኣባይቲ
ኣህደመ። 21 እቲ ልቡ ናብ ቃል እግዚኣብሄር ዘየቕለበ ድማ፡ ሰቡን ማሉን ኣብ መሮር ሐደገ። 22
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኢድካ ናብ ሰማይ ኣቢልካ ዘርግሕ እሞ፡ ናብ ኵላ ምድሪ ግብጺ፡ ናብ ልዕሊ
ሰብን ናብ ልዕሊ ማልን ናብ ልዕሊ ኾሉ ብቈሊ ግራሁ ኣብ ምድሪ ግብጽን በረድ ኪወርድ እዩ፡ በሎ።
23 ሙሴ ኸኣ በትሩ ናብ ሰማይ ዘርግሔ፡ እግዚኣብሄር ድማ ነጐድን በረድን ሰደደ፡ ሓዊ ኸኣ ናብ ምድሪ

ወረደ። እግዚኣብሄር ድማ ናብ ምድሪ ግብጺ በረድ ኣዝነመ። [24] በረድ ከኣ ኾነ፡ ኣብ ማእከል እቲ በረድ
ድማ ሓዊ ይዋናጨፍ ነበረ። ሰብ ካብ ዚቐመጣ ኣብ ኲላ ምድሪ ግብጺ ኸምዚ ዝበለ ዘይኰነ ኣዝዩ
ብርቱዕ ነበረ። [25] እቲ በረድ ከኣ ኣብ ብዘላ ምድሪ ግብጺ ኣብ መሮር ንዘሎ ኹሉ፡ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ
ወቕዔ እቲ በረድ ድማ ንኹሉ ብቘሊ ግራት ወቕዔ፡ ንኹሉ ኣእዋም መሮርውን ሰባበሮ። [26] ኣብታ ደቂ
እስራኤል ዝነበርዋ ምድሪ ጎሼን ጥራይ በረድ ኣይነበረን። [27] ፈርኦን ከኣ ልኢኹ ንሙሴን ንኣሮንን ጸዊዑ፡
ሕጂ ሓጢኣኩ። እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ። ኣነን ህዝበይን ከኣ በደልቲ ኢና። [28] ነጐዲ ኣምላኽን በረድን
ኪኣክልሲ፡ ንእግዚኣብሄር ለምኑ፡ ሽዑ ኽሐድገኩም እየ፡ ደጊም ድማ ኣብዚ ኣይትቕመጡን፡ በሎም። [29]
ሙሴ ኸኣ፡ ካብ ከተማ ምስ ወጻእኩ፡ ኣእዳወይ ናብ እግዚኣብሄር ክዝርግሕ እየ። ምድሪ ናይ
እግዚኣብሄር ምዃና ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ ነጐዲ ይሐድግ፡ ደጊም ከኣ በረድ ኣይከውንን። [30] ንስኻን
ገላዉኻን ግዳ ገና ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ከም ዘይፈራህኩም እፈልጥ ኣሎኹ፡ በሎ። [31] ስገም ሰዊቱ፡
እንጣጢዕ ከኣ ጒዕ ነበረ እሞ፡ እቲ ስገምን እንጣጢዕን ተወቕዔ። [32] ስርናይን ስጼልትን ግና፡ ድሑር
ዘርኢ እዩ እሞ፡ ኣይተወቕዔን። [33] ሙሴ ድማ ካብ ፈርኦንን ካብ እታ ኸተማን ወጺ፡ ኣእዳዉ ኸኣ ናብ
እግዚኣብሄር ዘርግሔ፡ ነጐድን በረድን ድማ ሐደገ፡ ዝናምውን ናብ ምድሪ ኣይዘነመን። [34] ፈርኦን ከኣ
ዝናምን በረድን ነጐድን ከም ዝሐደገ ምስ ረኣየ፡ ሓጢያት ወሰኸ፡ ንሱን ገላዉኡን ድማ፡ ልቡ ኣትረረ።
[35] እሞ ኸምቲ እግዚኣብሄር ብሙሴ ዝበሎ፡ ልቢ ፈርኦን ተረረ፡ ንደቂ እስራኤል ከኣ ኣይሐደጎምን።

## ምዕራፍ 10

[1-2] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እዚ ትእምርትታተይ እዚ ምእንቲ ኣብ ማእከሎም ክገብር፡ እቲ ኣብ
ግብጻውያን ዝዐየኽዎ ነገርን፡ እቲ ኣብ ማእከሎም ዝገበርክዎ ትእምርትታተይን ኣብ ኣእዛን ወድኻን
ወዲ ወድኻን ምእንቲ ኽትነግሮ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ክትፈልጡስ፡ ኣነ ንልቡን ንልቢ
ገላዉኡን ኣትሪረ እየ እሞ፡ ናብ ፍርኦን እቶ። [3] ሙሴን ኣሮንን ድማ ናብ ፈርኦን ኣትዮም በልዎ፡
እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ እብራውያን፡ ከምዚ ይብል፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ኣብ ቅድመይ ከይትተሐት
እትኣቢ፧ ንህዝበይ ኬገልግለኒ ሕደጎም። [4] ንስኻ ንህዝበይ ምሕዳጉ እንተ ኣቤኻ ግና፡ እንሆ፡ ጽባሕ ናብ
ምድርኻ ኣንበጣ ኸምጽእ እየ። [5] ንምድሪ ኸኣ ኪኸድና እዩ፡ ገጽ ምድሪ እኳ ኺርእዩ ኣይክእሉን። ነቲ
ኻብ በረድ ድሒኑ ዝተረፈልኩም ትርፊ ድማ ኪበልዖ እዩ። ነተን ኣብ መሮር ዚዐብያልኩም ኲለን
ኣእዋም ከኣ ኺበልዔን እዩ። [6] ኣባይትኻን ኣባይቲ ኹሎም ገላዉኻን ኣባይቲ ኹሎም ግብጻውያንን
ኪመልእ እዩ። ከምኡ ዝበለ ኣቦታትካን ኣቦታት ኣቦታትካን ኣብ ምድሪ ኻብ እተፈጥሩላ መዓልቲ
ጀሚሮም ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ኣይረኣዩን። ተመሊሱ ኸኣ ካብ ፈርኦን ወጸ። [7] ንፈርኦን ድማ
ገላዉኡ፡ ክሳዕ መኣዝከ እዚ ሰብኣይዚ መፈንጠራ ኪኾነና እዩ፧ ነዞም ሰባት፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም
ኬገልግሉ፡ ሕደጎም። ግብጺ ኸም ዝጠፍኤትዶ ገና ኣይፈለጥካን ኢኻ፧ በልዎ። [8] ሽዑ ንሙሴን ንኣሮንን
ናብ ፈርኦን መለስዎም። ንሱ ድማ፡ ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣገልግሉ። እቶም ዚኸዱ ግና
መነመን እዮም፧ በሎም። [9] ሙሴ ድማ፡ በዓል እግዚኣብሄር ክነብዕል ኢና እሞ፡ ምስ ናእሽቱናን ምስ
ዓበይትናን ክንከይድ ኢና፡ ምስ ኣወዳትናን ምስ ኣዋልድናን ምስ ኣባጊዕናን ምስ ኣሓናን ክንከይድ ኢና፡
በለ። [10] ንሱ ድማ፡ ከምቲ ኣነ ምስ ደቅኹም ዝሐደግኩኹም፡ ከምኡ ኸኣ እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም
ይኹን። ርኣዩ፡ ክፉኣት ኣብ ቅድሜኹም ኣሎ። [11] ከምኡ ኣይኰነን። ሰብኡት ደኣ ኺዱ ንእግዚኣብሄር
ኣገልግሉ። እቲ ዝደሌኹምዎ ኸኣ ንሱ እዩ፡ በሎም። ካብ ቅድሚ ፈርኦን ድማ ሰጐግዎም። [12]

እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ምእንቲ ኣንበጣ ናብ ምድሪ ግብጺ ኺድይብ እሞ፡ ንዅሉ ብቕሊ ምድርን
ነቲ በረድ ዝሐደጎ ዅሉን ኪበልዕሲ ኣእዳውካ ናብ ልዕሊ ምድሪ ግብጺ ዘርግሕ፡ በሎ። 13 ሙሴ ኸኣ፡
በትሩ ናብ ልዕሊ ምድሪ ግብጺ ዘርግሔ፡ እግዚኣብሄር ድማ ኣብታ ምድሪ ብዅላ እታ መዓልቲ እቲኣን
ብዅላ ለይትን ንፋስ ምብራቕ ኣምጽኤ። ምስ ወግሔ ድማ፡ እቲ ንፋስ ምብራቕ ኣንበጣ ኣምጽኤ። 14
እቲ ኣንበጣ ኸኣ ናብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ ግብጺ ደየበ፡ ኣብ ኵላ ሃገር ግብጺ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ረገፈ።
ከንዳኡ ዝምብዛሑ ኣንበጣ ቕድሚኡ ኣይነበረን፡ ብድሕሪኡ ኸኣ ከምኡ ዝበለ ከቶ ኣይከውንን። 15
ምድሪ ኽሳዕ እትጽልምት ንገጽ ኵላ ምድሪ ኸደና። ንዅሉ ብቕሊ ምድርን ነቲ በረድ ዝሐደጎ ዅሉ ፍረ
ኦምን ድማ በልዖ። ኣብ ኵላ ምድሪ ግብጺ ገለ ለምለም ኣብ ኦም ወይ ኣብ ብቕሊ ግራት ኣይተረፈን።
16 ሽዑ ፈርኦን ንሙሴን ንኣሮንን ቀልጢፉ ጸዊዑ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩምን ንኣኻትኩምን በደልኩ።
17 ሕጂ ግና እዛ ጊዜ እዚኣ ጥራይ፡ በጃኻ ሕደገለይ። እዚ ሞትዚ ጥራይ ኬርሕቐለይ ድማ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ለምኑ፡ በሎም። 18 ካብ ፈርኦን ወጺኡ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሄር ለመነ። 19 እግዚኣብሄር ድማ
ህቦብላ ንፋስ ምዕራብ መለሰ። ነቲ ኣንበጣ ገፊፉ ኸኣ ናብ ባሕሪ ኤርትራ ደርበዮ። ኣብ ኵላ ምድሪ
ግብጺ ሓደ ኣንበጣ እኳ ኣይተረፈን። 20 እግዚኣብሄር ግና ንልቢ ፈርኦን ኣትረሮ፡ እሞ ንደቂ እስራኤል
ኣይሐደጎምን። 21 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ኢድካ ናብ ሰማይ ዘርግሕ፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኸኣ
ጸልማት፡ ዚርምሰስ ጸልማት እኳ ደኣ ይኹን፡ በሎ። 22 ሙሴ ድማ ኢዱ ናብ ሰማይ ዘርግሐ፡ ኣብ ኵላ
ምድሪ ግብጺ ከኣ ስለስተ መዓልቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ኰነ። 23 ሰለስተ መዓልቲ ሓደ ነቲ ኻልኣዩ
ኣይረኣየን፡ ካብ ምቕማጡ ኸኣ ሓደ እኳ ኣይተንስኤን። ንዅሎም ደቂ እስራኤል ግና ኣብ እተቐመጥዎ
ብርሃን ነበረ። 24 ፈርኦን ድማ ንሙሴ ጸዊዑ፡ ኪዱ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ፡ ኣባጊዕኩምን ኣሓኹምን
ጥራይ ይትረፉ። ቈልዑኹም ድማ ምሳኻትኩም ይኺዱ፡ በሎ። 25 ሙሴ ኸኣ፡ ንስኻ ድማ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽና እንሰውኦ መስዋእቲ ሕሩድን ዚሓርር መስዋእትን ኣብ ኢድና ኽትህበና ኢኻ። 26 እቲ
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና እነገልግለሉ ኻብኤን ክንወስድ ኢና እሞ፡ ስለዚ ማልና ድማ፡ ሓንቲ ሸኾና
ኽይተረፈት፡ ምሳና ኪኸዳ እየን። ንሕና ድማ ኣብኡ ኽሳዕ እንበጽሕ፡ ንእግዚኣብሄር ብምንታይ ከም
እነገልግሎ ኣይንፈልጥን ኢና፡ በለ። 27 እግዚኣብሄር ግና ልቢ ፈርኦን ኣትረረ፡ እሞ ኺሐድጎም
ኣይፈተወን። 28 ፈርኦን ድማ ካባይ ኪዱ፡ ገጸይ ምስ እትርኢ መዓልቲ ኽትመውት ኢኻ እሞ፡ መሊስካ
ገጸይ ከይትርኢ ንርእስኻ ተጠንቀቕ፡ በሎ። 29 ሙሴ ኸኣ፡ ከም ዝበልካዮ ይኹን፡ ደጊም መሊሰ ገጽካ
ኣይርእን፡ በለ።

## ምዕራፍ 11

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ናብ ልዕሊ ፈርኦን ናብ ልዕሊ ግብጽን ገና ሓደ መዓት ከምጽእ እየ።
ድሕርቲ ኻብዚ ኽትወጹ ኺሐድገኩም እዩ። እቲ ኺሐድገኩም ከሎ ድማ፡ ደፊኡ ኺሰጕጐኩም እዩ። 2
እምበኣር ኣብ እዝኒ ህዝቢ ተዛረብ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ካብ ጐረቤት፡ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲ ድማ ካብ
ጐረቤት ኣቕሓ ብሩርን ኣቕሓ ወርቅን ይለምኑ፡ በሎ። 3 እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ
ግብጻውያን ሞገስ ሀቦ። ሙሴ፡ እቲ ሰብኣይ ድማ፡ ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብ ቅድሚ ገላው ፈርኦንን ኣብ
ቅድሚ ህዝብን ኣዝዩ ዓብዪ ነበረ። 4 ሙሴ ድማ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በሎ፡ ኣነ ፍርቂ
ለይቲ ኣቢለ ኣብ ማእከል ግብጺ ኽወጽእ እየ። 5 ኵሉ በዅሪ ሃገር ግብጺ ኸኣ፡ ካብ በዅሪ እቲ ኣብ
ዝፋኑ ዚቕመጥ ዘሎ ፈርኦን ክሳዕ በዅሪ እታ ኣብ ድሕሪ መጥሓን ዘላ ግዝእቲ፡ ኵሉ በዅሪ እንስሳ ድማ

ኪመውት እዩ። [6] ኣብ ኵላ ሃገር ግብጺ ኸኣ ከምኡ ዝበለ፡ ከቶ ዘይኮነ መሊሱ ድማ ከምኡ ዝበለ
ዘይከውን ዓብዪ ዋይዋይታ ኪኸውን እዩ። [7] እግዚኣብሄር ግና ኣብ መንጎ ግብጻውያንን ኣብ መንጎ
እስራኤልን ከም ዚፈሊ፡ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ ናብ ኵሎም ደቂ እስራኤል ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ፡ ከልቢ
ልሳኑ ኣየወሳውስን። [8] እዞም ገላዉኻ ኹሎም ናባይ ኪወርዱ እዮም፡ ኣብ ቅድመይ ሰጊዶምለይ ድማ፡
ንስኻን እቲ ዚስዕበካ ኹሉ ህዝብን ውጻእ፡ ኪብሉ እዮም። ድሕርዚ ኽወጽእ እየ፡ በለ። ካብ ፈርኦን ከኣ
ብቝጥዓ ተናዲዱ ወጸ። [9] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ተኣምራተይ ኣብ ምድሪ ግብጺ ምእንቲ ኺበዝሕ፡
ፈርኦን ኣይሰምዓኩምን እዩ፡ በሎ። [10] ሙሴን ኣሮንን ከኣ እዚ ኹሉ ተኣምራት እዚ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን
ገበርዎ። እግዚኣብሄር ድማ ንልቢ ፈርኦን ኣትረሮ፡ ንሱ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ካብ ሃገሩ ኣይሰደዶምን።

# ምዕራፍ 12

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ኣብ ምድሪ ግብጺ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ [2] እዛ ወርሒ እዚኣ
ንኣኻትኩም መጀመርታ ኣዋርሕ ትኹን፡ ንሳ መጀመርታ ኣዋርሕ ዓመት ትኹንኩም። [3] ንኹሉ ኣኼባ
እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ተዛረቡ፡ ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ብዓስረይቲ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍ ንቤት ኣቦ
ሓደ ገንሸል፡ ንንቤት ሓደ ገንሸል ይውሰድ። [4] እቶም ስድራ ቤት ንሓደ ገንሸል ዚውሕዱ እንተ ኾኑ፡
ንሱን እቲ ንቤቱ ዝቐረበ ጐረቤቱን ብቝጽሪ ነፍሳት ሓደ ይውሰድ። ነፍሲ ወከፍ ከም ዚበልዕ መጠን
ኣብቲ ገንሸል ቍጸሩ። [5] ዓመት ዝገበረ፡ ጐደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ገንሸል ይኹነልኩም። ካብ ኣባጊዕ ወይ
ካብ ኣጣል ትወስዱ። [6] ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ኸኣ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ሓልውዎ።
ሽዑ ኹሉ እቲ እኩብ ማሕበር እስራኤል ኪመሲ ኺሎ ይሕረዶ። [7] ኣብታ ዚብልዓ ቤት ድማ፡ ካብቲ
ደሙ ወሲዶም፡ ንኽልቲኡ ቐዋሚ ልዳትን ነቲ ላዕላይ ልዳትን ይልከይዎ። [8] ነቲ ስጋኡ ድማ በታ ለይቲ
እቲኣ ይብልዕዎ፡ ብሓዊ ጠቢሶም፡ ምስ ቅጫን ምስ መሪር ሓምልን ይብልዕዎ። [9] ምስናይ ርእሱን
ኣእጋሩን ናውቲ ኸብዱን ብሓዊ ይጠበስ እምበር፡ ካብቲ ዝሕላ ኾነ፡ ካብቲ ብማይ ዝበሰለ
ኣይትብልዑ። [10] ካብኡ ድማ ገለ እኳ ኸሳዕ ንግሆ ኣይተትርፉ። እቲ ኻብኡ ኽሳዕ ንግሆ ዝተረፈ ኸኣ
ብሓዊ ኣንድድዎ። [11] ከምዚ ጌርኩም ድማ ክትበልዕዎ ኢኹም፡ ሓቛቝኹም ተዐጢቕኹም፡ ኣሳእንኩም
ኣብ ኣእጋርኩም፡ ኣባትርኩም ከኣ ኣብ ኣእዳውኩም ሒዝኩም፡ ቀልጢፍኩም ብልዕዎ። ንሱ ፋስጋ
እግዚኣብሄር እዩ። [12] በዛ ለይቲ እዚኣ ብምድሪ ግብጺ ኽሐልፍ እየ፡ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ፡ ንዅሉ
በዅሪ ሃገር ግብጺ ኽወቅዕ እየ። ኣብ ኵሎም ኣማልኽቲ ግብጺ ኸኣ ፍርድታት ክገብር ኣየ። ኣነ
እግዚኣብሄር እየ። [13] ንምድሪ ግብጺ ምስ ዝወቅዕ ድማ፡ ኣብተን ዘሎኹምወን ኣባይቲ እቲ ደም ምልክት
ይኹንኩም፡ ነቲ ደም ርእየ ኽሐልፈኩም እየ። እቲ ዜጥፍእ መዓትውን ኣባኻትኩም ኣይከውንን። [14] እዛ
መዓልቲ እዚኣ ድማ ንመዘከርታ ትኹነልኩም፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ተብዕልዋ። ሕጊ ዘለኣለም ጌርኩም
ንውሉድ ወለዶ ኣብዕልዋ። [15] ሾብዓተ መዓልቲ ቕጫ ትበልዑ። ካብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኽሳዕ እታ
ሳብዐይቲ መዓልቲ ብኹዕ ዝበልዔ ዘበለ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ እስራኤል ክትቍረጽ እያ እሞ፡ በታ
ቐዳመይቲ መዓልቲ ነቲ ማይ ብሑቕ ካብ ኣባይትኹም ኣውጽኡ። [16] በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ቅዱስ
ኣኼባ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም። ብኣታተን ገለ ዕዮ ኣይገበር። እቲ
ንነፍሲ ወከፍ ዚበልዖ፡ ንሱ ጥራይ ይተዐየየልኩም። [17] ነዚ በዓል ቕጫ ሓልውዎ። በዛ መዓልቲ እዚኣ
ንሰራዊትኩም ካብ ምድሪ ግብጺ ኣውጺኤዮ እየ እሞ፡ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ንውሉድ ወለዶ ሕጊ ዘለኣለም
ጌርኩም ሓልውዋ። [18] ኣብታ ቐዳመይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ ብመበል ዓሰርተው ኣርባዕተ

መዓልቲ ምሸት፡ ክሳዕ መበል ዕስራን ሓደን መዓልቲ ምሸት ኣብታ ወርሒ፡ ቅጫ ኽትበልዑ ኢኹም። 19
ወሰንተኛ እንተ ኾነ፡ ወይ ወዲ ዓዲ ብኹዕ ዝበልዔ ዘበለ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ኣኼባ እስራኤል
ክትቍረጽ እያ እሞ፡ በተን ሾብዓተ መዓልቲ ኣብ ኣባይትኹም ማይ ብሑቕ ኣይረኸብ። 20 ገለ እኳ
ብኹዕ ኣይትብልዑ፡ ኣብ ኲሉ እትነብርዎ ቕጫ ብልዑ። 21 ሙሴ ድማ ንኹሎም ዓበይቲ እስራኤል
ጸዊዑ በሎም፡ ነንማይ ቤትኩም ገንሸል ሐሪኹም ውሰዱ እሞ ፋስጋ ሕረዱ። 22 ዕትርቲ ስምዕዛ ውሰዱ፡
ኣብቲ ኣብ ጭሕሎ ዘሎ ደም ከኣ ጥምዕዎ፡ ነቲ ላዕላይ ልዳትን ንኽልቲኡ ቀዋሚ ልዳትን በቲ ኣብ
ጭሕሎ ዘሎ ደም ልኽይዎ። ክሳዕ ብጊሓት ድማ ካባኻትኩም ሓደ ሰብ እኳ ካብ ኣፍ ቤቱ ኣይውጻእ።
23 እግዚኣብሄር ንግብጻውያን ኪወቅዕ ኪሐልፍ እዩ እሞ፡ ነቲ ደም ኣብ ላዕላይ ልዳትን ኣብ ክልቲኡ
ቀዋሚ ልዳትን ምስ ረኣየ፡ እግዚኣብሄር ነታ ደገ ኺሐልፋ እዩ፡ ነቲ ዜጥፍእ ድማ ናብ ቤትኩም ኣትዩ
ኺወቕዓኩም ኣይሐድጎን። 24 እዚ ነገርዚ ንኣኻን ንደቅኻን ሕጊ ዘለኣለም ጌርኩም ሐልውዎ። 25
ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ዚህበኩም ምድሪ ምስ ኣቶኩም፡ ከምቲ እተዛረቦ፡ ነዚ
ኣገልግሎት እዚ ሓልዉ፡ 26 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ደቅኹም፡ እዚ ኣገልግሎትኩም እንታይ እዩ፧ ምስ
ዚብሉኩም፡ 27 ንስኻትኩም ከኣ፡ እዚ ነቲ ንግብጻውያን ኪወቅዕ ከሎ፡ ኣብ ግብጺ ኣባይቲ ደቂ እስራኤል
ዝሐለፈ፡ ኣባይትና ድማ ዘድሐነ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ፋስጋ እዩ፡ ትብሉ። እቲ ህዝቢ ኸኣ ፍግም
ኢሉ ሰገደ። 28 ደቂ እስራኤል ድማ ከይዶም ከምኡ ገበሩ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣሮንን
ዝኣዘዞም ገበሩ። 29 ፍርቂ ለይቲ ምስ ኰነ፡ እግዚኣብሄር ንኹሉ በዅሪ ሃገር ግብጺ፡ ካብቲ ኣብ ዝፋኑ
ዚቕመጥ በዅሪ ፈርኦን ክሳዕ በዅሪ እቲ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ እሱር፡ ንኹሉ በዅሪ እንስሳ ድማ
ቐተለ። 30 ሽዑ ፈርኦን፡ ንሱን ኲሎም ገላዉኡን ኲሎም ግብጻውያንን ብለይቲ ተንስኡ። ምዉት ዜብላ
ቤት ኣይነበረትን እሞ፡ ኣብ ግብጺ ብርቱዕ ዋይዋይታ ኾነ፡ 31 ንሙሴን ንኣሮንን ብለይቲ ጸዊዑ ድማ፡
ንስኻትኩምን ደቂ እስራኤልን ተንስኡ እሞ ካብ ማእከል ህዝበይ ውጹ። ከምቲ ዝበልኩምዎ ኺዱ፡
ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ። 32 ከምቲ ዝበልኩምዎ ድማ፡ ኣባጊዕኩምን ኣሓኹምን ውሰዱ። ኪዱ እሞ
ንኣይ ከኣ መርቑኒ፡ በለ። 33 እቶም ግብጻውያን ድማ፡ ኲልና ኽንመውት ኢና፡ ኢሎም ነቶም ህዝቢ
ኻብታ ሃገር ቀልጢፎም ኬውጽእዎም ሀወኽዋም። 34 እቶም ህዝቢ ድማ ነቲ ብሑቕም ገና ኸይበዅዔ
ወሰድዎ፡ ነቲ መልወሲኦም ከኣ ብኽዳውንቶም ጠቕሊሎም ኣብ መንኲቦም ጾርዎ። 35 ደቂ እስራኤል ከኣ
ከምቲ ሙሴ ዝበሎም ገበሩ። ካብ ግብጻውያን ኣቓሑ ብሩርን ኣቓሑ ወርቅን ክዳውንትን ለመኑ። 36
እግዚኣብሄር ድማ ነቶም ህዝቢ ዝደለይዎ ኹሉ ኺህብዎም ኣብ ቅድሚ ሰብ ግብጺ ሞገስ ሃቦም። ንሰብ
ግብጺ ኸኣ ገፈፍዎም። 37 ደቂ እስራኤል ድማ ብዘይ ቈልዑ ሹድሽተ ሚእቲ ሽሕ ዚኣክል ኣጋር ካብ
ራዕምሴስ ናብ ሱኮት ተጓዕዙ። 38 ምስኦም ድማ ብዙሕ ሕውስዋስ ህዝብን ኣባጊዕን ኣሓን፡ ኣዝየን
ብዙሓት ማል ደየበ። 39 እቲ ኻብ ግብጺ ዘውጽእዎ ብሑቕ ኣይበዅዔን ነበረ እሞ፡ ካብኡ ቕጫታት
ሰንከቱ። ካብ ግብጺ ስለ እተሰጐ፡ ኪድንጉዩ ኣይከኣሉን እሞ፡ ስንቆም ኣየዳለዉን ነበሩ። 40 ደቂ
እስራኤል ኣብ ግብጺ ተቐሚጦምዎ ዝነበሩ ኣርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት እዩ። 41 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ
መወዳእታ እተን ኣርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኾነ፡ ኲሎም ሰራዊት
እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ግብጺ ወጹ። 42 ኣዛ ለይቲ ኣዚኣ፡ ብእኣ ኻብ ምድሪ ግብጺ ስለ ዘውጽኦም፡
ንእግዚኣብሄር ፍጹም እተሐለወት እያ፡ እዛ ለይቲ እዚኣ ብዅሎም ደቂ እስራኤል ንዉሉድ ወለዶኦም
ፍጹም ንእግዚኣብሄር ኣተሐለወት እያ። 43 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን በሎም፡ ሕጊ ፋስጋ እዚ
እዩ፡ ጓና ዘበለ ኻብኡ ኣይብላዕ። 44 ብገንዘብ እተዓደገ ባርያ ግና፡ ምስ ገዘርካዮ፡ ካብኡ ይብላዕ። 45
ስደተኛን በዓል ዓስብን ካብኡ ኣይብላዕ። 46 ኣብ ሓንቲ ቤት ይብላዕ። ካብቲ ስጋ ገለ እኳ ኻብ ቤት

ንግዳም ኣይተውጽእ፡ ዓጽሚ ድማ ኣይትስበሩ። [47] ኵሉ ኣኼባ እስራኤል ነዚ ይግበሮ። [48] ጓና ምሳኻ
እንተ ተቐመጠ እሞ ንእግዚኣብሄር ፋስጋ ኺገብር እንተ ደለየ፡ ምስኡ ዘሎ ተባዕታይ ዘበለ ኹሉ
ይገዘር፡ ሽው ኪገብር ይቕረብ፡ ከም ወዲ ዓዲ ኸኣ ይኹን። ዘይግዙር ዘበለ ግና ካባኡ ኣይብላዕ። [49]
ንወዲ ዓድን ኣብ መንጎኹም ንዚነብር ጓናን ሓደ ሕጊ ይኹን። [50] ኵሎም ደቂ እስራኤል ድማ እዚ ገበሩ።
ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣሮንን ዝኣዘዞም፡ ከምኡ ገበሩ። [51] ኰነ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ
እቲኣ ንደቂ እስራኤል በብሰራዊቶም ካብ ምድሪ ግብጺ ኣውጽኤ።

# ምዕራፍ 13

[1-2] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ኣብ ደቂ እስራኤል ማሕጸን ዚኸፍት ኵሉ፡ ሰቡን እንስሳኡን፡ ንሱ ናተይ
እዩ እሞ ኵሉ በዅሪ ንኣይ ቀድሶ፡ ኢሉ ተዛረቦ። [3] ሙሴ ድማ ንህዝቢ በለ፡ እግዚኣብሄር ብሓያል ኢድ
ካብኣ ኣውጺኡኩም እዩ እሞ፡ ነዛ ኻብ ግብጺ ኻብ ባርነት ዝወጻእኩምላ መዓልቲ እዚኣ ዘክርዋ፡ ብዅዕ
ከኣ ኣይበላዕ። [4] ንስኻትኩም ብወርሒ ኣቢብ ሎሚ ትወጹ ኢኹም። [5] ኪኸውን ድማ እዩ፡ እግዚኣብሄር
ናብ ምድሪ ኸነኣናውያንን ሔታውያንን ኣሞራውያንን ሂዋውያንን ይቡሳውያንን፡ ናብታ ጸባን መዓርን
እተውሕዝ፡ ንኣኻ ኺህበካ ኢሉ ነቦታትካ ዝመሓለሎም ምድሪ ምስ ኣእተወካ፡ ሽው ነዚ ኣገልግሎት እዚ
ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ሓልዎ። [6] ሾብዓተ መዓልቲ ቅጫ ኸትበልዕ ኢኻ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ
በዓል እግዚኣብሂር ኪኸውን እዩ። [7] በተን ሾብዓተ መዓልቲ ቅጫ ይበላዕ፡ ኣባኻ ብሑቝ ኣይርኤ፡ ኣብ
ኩሉ ዶብካውን ማይ ብሑቕ ኣይርኤ። [8] በታ መዓልቲ እቲኣ ንወድኻ ኸምዚ ኢልካ ትነግሮ፡ እዚ
ብዛዕባቲ፡ ካብ ግብጺ ምስ ወጻእኩ፡ እግዚኣብሄር ዝገበረለይ እዩ። [9] እግዚኣብሄር ብሓያል ኢድ ካብ
ግብጺ ኣውጺኡካ እዩ እሞ፡ ሕጊ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኣብ ኣፍካ ኪኸውን ኣብ ኢድካ ንምልክት፡ ኣብ
መንጎ ኣዒንትኻ ድማ ንመዘከሪ ይኹንካ። [10] ነዚ ሕጊ እዚ በቲ ምዱብ ጊዜኡ ዓመት ንዓመት ሐልዎ። [11]
ይኸውን ድማ፡ እግዚኣብሄር ናብታ ንኣኻን ነቦታትካን ዝመሐለልካ ምድሪ ኸነኣናውያን ምስ ኣእተወካ፡
ንኣኻ ምስ ሀበካ፡ [12] ማሕጸን ዝኸፈተ ዅሉ ንእግዚኣብሄር ክትፈሊ ኢኻ። ካብ ዘሎካ ማልካ ቅድም
እተወልደ ዅሉ ተባዕታይ ንእግዚኣብሄር እዩ። [13] ኵሉ በዅሪ ኣድጊ ድማ ብበጊዕ ተበጀዎ፡ እንተ
ዘይተበጀኻዮ ኸኣ፡ ክሳዱ ስበሮ። ካብ ደቅኻ ድማ በዅሪ ንዘበለ ዅሉ ሰብ ተበጀዎ። [14] ኪኸውን ድማ
እዩ፡ ንዳሕራዩ ወድኻ፡ እዚ ኣንታይ እዩ፧ ኢሉ ምስ ዚሓተካ፡ ንስኻ፡ እግዚኣብሄር ካብ ግብጺ፡ ካብ
ቤት ባርነት ብሓያል ኢድ ኣውጽኣና። [15] ኰነ ኸኣ፡ ፈርኦን ከይሓድገና ምስ ተረረ፡ እግዚኣብሄር ኣብ
ሃገር ግብጺ ንዅሉ በዅሪ፡ ካብ በዅሪ ሰብ ክሳዕ በዅሪ እንስሳ፡ ቀቲሉ እዩ እሞ፡ስለዚ ማሕጸን ዝኸፈተ
ዅሉ ተባዕታይ ንእግዚኣብሄር እስውኦ፡ ካብ ደቀይ ድማ በዅሪ ንዝዀነ ዅሉ እብጀዎ፡ ትብሎ። [16]
ኣግዚኣብሄር ካብ ግብጺ ብሓያል ኢድ ኣውጺኡና እዩ እሞ፡ እዚ ድማ ኣብ ኢድካ ኸም መፈለጥታ፡
ኣብ መንጎ ኣዒንትኻ ኸኣ ከም ክታብ ይኹንካ። [17] ኰነ ድማ፡ ፈርኦን ነቶም ህዝቢ ምስ ሐደጎም፡
ኣምላኽ፡ እቶም ህዝቢ ውግእ ምስ ዚርእዩ፡ ተጣዒሶም ናብ ግብጺ ኸይምለሱ ኢሉ ነበረ እሞ፡ እታ
መገዲ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን፡ ንሳ ቐረባ ኽንሳ፡ ኣምላኽ ብእኣ ኣይመርሖምን። [18] ኣምላኽ ግና ነቲ
ህዝቢ ብመገዲ በረኻ ኣቢሉ ንባሕሪ ኤርትራ ኣዞሮ። ደቂ እስራኤል ድማ ካብ ምድሪ ግብጺ ተሰሊፎም
ወጹ። [19] ዮሴፍ ንደቂ እስራኤል፡ ኣምላኽ ብርግጽ ኪበጽሓኩም እዩ፡ ሽው ነዕጽምተይ ካብዚ
ምሳኻትኩም ኣደይብዎ፡ ኢሉ ማሕላ ኣምሒልዎም ነበረ እሞ፡ ሙሴ ድማ ንዓጽሚ ዮሴፍ ምስኡ
ወሰዶ። [20] ካብ ሱኮት ነቒሎም ኣብ ኤታም ኣብ ወሰን በረኻ ሰፈሩ። [21] ለይትን መዓልትን ምእንቲ

ኪጕዓዙ፡ እግዚኣብሄር ድማ ብመዓልቲ መገዲ ኺመርሖም ብዓንዲ ደበና፡ ብለይቲ ኸኣ ኼብርሃሎም
ብዓንዲ ሓዊ ቀቅድሚኦም ይኸይድ ነበረ። [22] እቲ ዓንዲ ደበና ብመዓልቲ፡ እቲ ዓንዲ ሓዊ ኸኣ ብለይቲ
ኻብ ቅድሚ እቶም ህዝቢ ኣይተፈልየን።

# ምዕራፍ 14

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [2] ንደቂ እስራኤል፡ ተመሊሶም ኣብ መንጎ ሚግዶልን
ባሕርን ኣብ መንጽር ጲሃሒሮት ኪሰፍሩ፡ ንገሮም። ኣብ መንጽር በዓልጸፎን፡ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ስፈሩ። [3]
ፈርኦን ድማ ብዛዕባ ደቂ እስራኤል፡ በረኻ ውሒጥዎም ኣብ ምድሪ ቀባሕባሕ ይብሉ ኣለው፡ ኪብል
እዩ። [4] ኣነ ድማ ንልቢ ፈርኦን ከትርሮ እየ፡ ንሱ ኸኣ ደድሕሪኦም ስዒቡ ኺሰጎም እዩ። ብፈርኦንን
ብኹሉ ሰራዊቱን ክኸብር እየ፡ ግብጻውያን ድማ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኺፈልጡ እዮም።
ከምኡ ኸኣ ገበሩ። [5] ድማ ንንጉስ ግብጺ እቲ ህዝቢ ኸም ዝሃደመ ነገርዎ። ልቢ ፈርኦንን ገላውኡን ከኣ
ብዛዕባ እቲ ህዝቢ ተለወጡ፡ ከይግዝኡናስ ንእስራኤል ብምሕዳግና እንታይ እዩ ዝገበርናዮ፧ ድማ በሉ።
[6] እሞ ሰረገላኡ ኣዳለወ፡ ህዝቡውን ምስኡ ወሰደ፡ [7] ሹድሽተ ሚእቲ ሕሩያት ሰረገላታትን ኩለን
ሰረገላታት ግብጽን፡ ኣብ ኵለን ከኣ ተዋጋእቲ ወሰደ። [8] እግዚኣብሄር ንልቢ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ኣትረሮ
እሞ፡ ንሱ ደድሕሪ እቶም ብልዕልቲ ኢድ ዚወጹ ዝነበሩ ደቂ እስራኤል ገስገሰ። [9] ግብጻውያን ድማ፡
ኵሎም ኣፍራስ ፈርኦንን ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ኵሎም ሰራዊቱን ደድሕሪኦም ገስጊሶም፡ ኣብ ጥቓ
ባሕሪ ኣብ ጲሃሒሮት ኣብ መንጽር በዓልጸፎን ሰፊሮም ከለዉ ኣርከብዎም። [10] ፈርኦን ምስ ቀረበ፡ ደቂ
እስራኤል ኣዒንቶም ኣልዓሉ፡ እንሆ ኸኣ፡ ግብጻውያን ደድሕሪኦም ገስገሱ። ደቂ እስራኤል ድማ ኣዝዮም
ፈርሁ፡ ናብ እግዚኣብሄር ከኣ ተማህለሉ። [11] ንሙሴ ድማ፡ ናብዚ በረኻ ኽንመውት ዝወሰድካናስ፡ ኣብ
ግብጺዶ መቓብር ኣይነበረን፧ ካብ ግብጺ ዘውጻእካናስ ንምንታይ እዚ ገበርካና፧ [12] እቲ ኣብ ግብጺ
ዝበልናካኸ እዚ ነገርዚዶ ኣይኰነን፧ ኣብ በረኻ ኻብ እንመውት ንግብጻውያን ከነገልግል ይሔሸና እሞ፡
ንግብጻውያን ንገዛኦዮም ሕደገናዶ ኣይበልናን፧ በልዎ። [13] ሽዑ ሙሴ ነቶም ህዝቢ፡ ኣይትፍርሁ፡ ደው
በሉ፡ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ሎሚ ዚገብረልኩም ርኣዩ። እዞም ሎሚ እትርእይዎም ግብጻውያን
ደጊም መሊስኩም ንዘለኣለም ኣይትርእይዎምን። [14] እግዚኣብሄር ኪዋጋኣልኩም እዩ እሞ፡ ህድኡ፡
በሎም። [15] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ስለምንታይ ናባይ እትምህለል፧ ንደቂ እስራኤል ኪጕዐዙ
ንገሮም። [16] ንስኻ ድማ በትርኻ ኣልዒልካ፡ ኢድካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ እሞ ምቐሎ፡ ደቂ እስራኤል
ከኣ ናብ ማእከል ባሕሪ ናብቲ ንቑጽ ይእተዉ። [17] ኣነ ድማ፡ እንሆ፡ ልቢ ግብጻውያን ከትርር እየ።
ንሳቶም ከኣ ደድሕሪኦም ኪኣትዉ እዮም እሞ፡ ብፈርኦንን ብኹሎም ሰራዊቱን ብሰረገላታቱን
ብፈረሰኛታቱን ክኸብር እየ። [18] ብፈርኦንን ብሰረገላታቱን ብፈረሰኛታቱን ምስ ከበርኩ ድማ፡
ግብጻውያን ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኺፈልጡ እዮም። [19] እቲ ብቕድሚ ሰፈር እስራኤል ዚኸይድ
ዝነበረ መልኣኽ ድማ ተላዒሉ ንድሕሪኦም ከደ። እቲ ዓንዲ ደበና ኸኣ ካብ ቅድሚኦም ተላዒሉ ኣብ
ድሕሪኦም ደው በለ። [20] ናብ መንጎ ሰፈር ግብጽን ሰፈር እስራኤልን ኣተወ። ኣብኡ ኸኣ ደበናን ጸልማትን
ነበረ፡ ነታ ለይቲ ኸኣ ኣብርሃ። ለይቲ ብምልእታ እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ኣይቀረበን። [21] ሙሴ ድማ ኢዱ
ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ። እግዚኣብሄር፡ ከኣ ነቲ ባሕሪ ለይቲ ብምልእታ ብብርቱዕ ንፋስ ምብራቕ
ኣልጊሱ፡ ነቲ ባሕሪ ኣንቀጾ። እቲ ማያት ከኣ ተመቕለ። [22] ደቂ እስራኤል ድማ በቲ ንቑጽ ናብ ማእከል
ባሕሪ ኣተዉ። እቲ ማይ ከኣ ብየመነ ጸጋሞም ከም መንደቕ ደው በለ። [23] ግብጻውያን ድማ፡ ኵሎም

ኣፍራስ ፈርኦንን ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ድድሕሪኦም ገስጊሶም፡ ናብ ማእከል ባሕሪ ኣተዉ። [24] ኰነ
ኸኣ፡ ሓለዋ ኣጋ ጽባሕ ምስ ኰነ፡ እግዚኣብሄር ካብቲ ዓንዲ ሓውን ካብ ደበናን ናብ ሰራዊት
ግብጻውያን ጠመተ፡ ንሰራዊት ግብጻውያን ኣሸበሮም። [25] ነቲ ሰረገላታቶም ከኣ መንኰራኹሩ ኣምለቘ፡
ብጭንቂ ተጓዕዙ። ግብጻውያን ከኣ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ክንዳኦም ምስ ግብጻውያን ይዋጋእ ኣሎ እሞ፡
ካብ ቅድሚ እስራኤል ንህደም በሉ። [26] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ኢድካ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሕ
እሞ፡ እቲ ማያት ናብ ልዕሊ ግብጻውያን፡ ናብ ልዕሊ ሰረገላታቶምን ፈረሰኛታቶምን ይምለስ፡ በሎ። [27]
ሙሴ ኸኣ ኢዱ ናብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርግሔ፡ እቲ ባሕሪ ድማ ብጊዜ ጽባሕ በርቲዑ ናብ ምውሓዙ
ተመለሰ፡ ግብጻውያን ከኣ ኪሀድሙ ኸለዉ ተጓነፍዎ። እግዚኣብሄር ድማ ንግብጻውያን ናብቲ ማእከል
ባህሪ ደርበዮም። [28] እቲ ማያት ከኣ ተመልሰ፡ ነቶም ድድሕሪኦም ናብ ባሕሪ ዝኣተዉ፡ ንሰረገላታትን
ንፈረሰኛታትን ንኹሉ ሰራዊት ፈርኦንን ድማ ደፈኖም። ካባታቶም ሓደ እኳ ኣይተረፈን። [29] ደቂ
እስራኤል ግና ኣብ ማእከል ባሕሪ ብንቑጽ ከዱ፡ እቲ ማያት ከኣ ብየማነ ጸጋሞም ከም መንደቕ፡
ኰነሎም። [30] ከምኡ እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ እቲኣ ንእስራኤል ካብ ኢድ ግብጻውያን ኣድሓኖም።
እስራኤል ድማ ምዉታት ግብጻውያን ኣብ ገምገም ባሕሪ ረኣየ። [31] እስራኤል እታ እግዚኣብሄር ኣብ
ግብጻውያን ዝገበራ ዓባይ ኢድ ረኣየ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ፈርሁ። ብእግዚኣብሄርን
ብባርያኡ ሙሴን ድማ ኣመኑ።

# ምዕራፍ 15

[1] ሽዑ ሙሴን ደቂ እስራኤልን እዚ መዝሙር እዚ ንእግዚኣብሄር ከምዚ ኢሎም ዘመሩሉ፡ ንሱ ኣዝዩ
ክብ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር እዝምር ኣሎኹ። ንፈረስን ፈረሰኛን ናብ ባሕሪ ደርበዮም። [2]
እግዚኣብሄር ሓይለይን መዝሙረይን እዩ፡ ምድሓን ከኣ ኰነኒ። እዚ ኣምላኸይ እዩ እሞ፡ ክክብሮ እየ።
ኣምላኽ ኣቦይ እዩ፡ ክብ ከብሎ እየ። [3] እግዚኣብሄር ተዋጋኢ እዩ፡ ስሙ እግዚኣብሄር እዩ። [4]
ንሰረገላታት ፈርኦንን ሰራዊቱን ናብ ባሕሪ ደርበዮም፡ እቶም ሕሩያት ሓለቓታቱ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ
ጠሐሉ። [5] መዓሙቕ ከደኖም፡ ከም እምኒ ናብ ታሕቲ ወረዱ። [6] ጎይታይ፡ የማነይትኻ ብሓይላ ኸበረት፡
ጎይታይ፡ የማነይትኻ ንጸላኢ ቐጥቀጠቶ። [7] ብዕቤት ግርማኻ ንዝተንስኡካ ጨፍለቕካዮም፡ ቍጥዓኻ
ሰደድካ፡ ከም ሓሰር በልዓቶም። [8] ብትንፋስ ኣፍንጫኻ ማያት ተኾመሩ። ወሓዝቲ ከኣ ከም ኵምራ
ደው በሉ፡ ማያት መዓሙቕ ድማ ኣብ ማእከል ባሕሪ ረግኡ። [9] እቲ ጸላኢ ኸኣ፤ ገስጊሰ ኽርክቦም እየ፡
ምርኮ ኽመቅል እየ። ነፍሰይ ከኣ ብእኦም ትጸግብ፡ ሴፈይ እመልሕ፡ ኢደይ ድማ ተጥፍኦም፡ በለ። [10]
ብንፋስካ ኣንፈስካ፡ ባሕሪ ድማ ኣጐልበቦም። ከም ዓረር ኣብ ብርቱዕ ማያት ጠሐሉ። [11] ዎ
እግዚኣብሄር፡ ኣብ መንጎ ኣማልኽቲ ከማኻ ዝበለ መን እዩ፧ ብምስጋና እተፈራህካ፡ ገባር ተኣምራት፡
ብቕድስናኸ ኸማኻ ዝኸበረ መን እዩ፧ [12] የማነይትኻ ዘርጋሕካ፡ ምድሪ ወሐጠቶም። [13] ነቲ እተበጀኻዮ
ህዝቢ ብምሕረትካ መራሕካ። ብሓይልኻ ናብ ቅዱስ ማሕደርካ መራሕካዮም። [14] ህዝብታት ሰሚዖም
ተምበድበዱ፡ ኣብ ፍልስጥኤም ዚነብሩ ጭንቀት ሐዞም። [15] ሽዑ ሓላቑ ኤዶም ተሸበሩ፡ ነቶም ሓያላት
ሞኣብ ራዕዲ ሐዞም። ኣብ ከነኣን ዚነብሩ ኹሎም መኸኹ። [16] ዎ እግዚኣብሄር፡ ህዝብኻ ኽሳዕ ዚሐልፍ፡
እቲ ዘጥሬኻዮ ህዝቢ ኽሳዕ ዝሐልፍ፡ ስምባድን ፍርሃትን ወደቐም፡ ብሓይሊ ቕልጽምካ ኸኣ ከም እምኒ
ትም ይብሉ። [17] ዎ እግዚኣብሄር፡ ናብታ ንማሕደርካ ዝገበርካያ ቦታ፡ ጎይታይ፡ ናብቲ ኣእዳውካ ዘዳለዋኦ
መቕደስ፡ ኣብ ከረን ርስትኻ ተእትዎምን ትተኽሎምን። [18] እግዚኣብሄር ንወርትግ፡ ንዘለኣለም ይነግስ። [19]

ኣፍራስ ፈርኦን ምስ ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ናብ ባሕሪ ኣተወ፡ እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ማያት ባሕሪ
ናብ ልዕሊኦም መለሶ፡ ደቂ እስራኤል ግና ብማእከል ባሕሪ ብንቑጽ ሐለፉ። [20] ነብዪት ሚርያም ሓብቲ
ኣሮን ከኣ ከበሮ ብኢዳ ወሰደት፡ ኵለን ኣንስቲ ድማ ብከበሮን ብሳዕስዒትን ደድሕሪኣ ወጻ። [21] ሚርያም
ከኣ መለሰትሎም፤ ንሱ ኣዝዩ ክብ ዝበለ እዩ፡ ንፈረስን ንፈረሰኛን ናብ ባሕሪ ደርብዩ እዩ እሞ፡
ንእግዚኣብሄር ዘምሩሉ። [22] ሙሴ ድማ ንእስራኤል ካብ ባሕሪ ኤርትራ ኣንቀሎም፡ ናብ በረኻ ሹር
ወጹ። ሰለስተ መዓልቲ ኣብ በረኻ ከዱ፡ ማይ ከኣ ኣይረኸቡን። [23] ናብ ማራ ድማ መጹ፡ ማይ ማራ
መሪር ነበረ እሞ፡ ኪሰትይዎ ኣይከኣሉን። ብዛዕባዚ ስማ ማራ ተባህለት። [24] እቶም ህዝቢ ኸኣ ንሙሴ፡
እንታይ ክንሰቲ ኢና፧ ኢሎም ኣጕረምረሙሉ። [25] ንሱ ኸኣ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። እግዚኣብሄር
ድማ ሓንቲ ኦም ኣርኣዮ፡ ናብቲ ማይ ደርበያ፡ እቲ ማይ ከኣ መቐረ። ኣብኡ ሕግን ስርዓትን ገበረሎም፡
ኣብኡ ኸኣ ፈተኖም። [26] በለ ድማ፡ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተጠንቂቕካ እንተ ሰማዕካ፡ እቲ ኣብ
ዓይኑ ቅኑዕ ዝዀነ ኸኣ እንተ ገበርካ፡ ንትእዛዛቱውን ጽን እንተ በልካ፡ ኵሉ ሕጋጋቱ ድማ እንተ ሓሎኻ፡
ኣነ እግዚኣብሄር ፈዋሲኻ እየ እሞ፡ እቲ ናብ ግብጻውያን ዘሰደድክዎ ሕማም ኣይሰደልካን እየ። [27] ናብ
ኤሊም ድማ መጹ፡ ኣብኡ ዓሰርተው ክልተ ዓይኒ ማይን ሰብዓ ኦም ተምርን ነበረ። ኣብኡ ኸኣ ኣብ ጥቓ
ማይ ሰፈሩ።

## ምዕራፍ 16

[1] ኵሎም ኣኼባ ደቂ እስራኤል ድማ ካብ ኤሊም ነቒሎም፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ኣብ ካልኣይቲ
ወርሒ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ፡ ኣብ መንጎ ኤሊምን ሲናን ናብ ዘላ በረኻ ሲን መጹ።
[2] ኵሎም ኣኼባ ደቂ እስራኤል ድማ ኣብቲ በረኻ ንሙሴን ኣሮንን ኣጕረምረሙሎም። [3] ደቂ እስራኤል
ከኣ፤ እቲ ኣብ ጥቓ ቝራዕ ስጋ ኾፍ ኢልና፡ እንጌራ ኽሳዕ እንጸግብ ክንበልዕ ከሎና፡ ብኢድ
እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ግብጺ እንተ ንመውት፡ መን ምሀበና። ንስኻትኩም ነዚ ዅሉ ኣኼባ ብጥሜት
ክትቀትሉ ናብ በረኻ ኣውጻእኩምና፡ በልዎም። [4] ሽዑ እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ፥ እንሆ፡ ኣነ ኻብ ሰማይ
እንጌራ ኽዝንመልኩም እየ። እቶም ህዝቢ ብሕገይ ዚኸዱ እንተ ዀኑ፡ ወይስ እንተ ዘይኰኑ፡ ምእንቲ
ኽፍትኖምሲ፡ እናወጹ ነንመዓልቱ ዜድሊ ይእረዩ። [5] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ብሳድሰይቲ መዓልቲ ኼዳልዉ
ዘምጽእዎ፡ ነቲ ነንመዓልቲ ዚኣርይዎ ኻዕበቱ ይኾን። [6] ሙሴን ኣሮንን ድማ ንዅሎም ደቂ እስራኤል፡
እግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ግብጺ ኸም ዘውጽኣኩም፡ ምሸት ክትፈልጡ ኢኹም። [7] ብጊሓት ከኣ ክብሪ
እግዚኣብሄር ክትርእዩ ኢኹም። እቲ ንእግዚኣብሄር ምጕርምራምኩም ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ ንሕና
እተጕረምርሙልናስ፡ ንሕና እንታይ ኢና፧ በልዎም። [8] ሙሴ ድማ፡ እዚ እግዚኣብሄር ምሸት ስጋ
ንምብላዕ፡ ብጊሓት ከኣ እንጌራ ንምጽጋብ ንኣኻትኩም ብምሃቡ እዩ ዚኸውን። እግዚኣብሄር እቲ
ዘጕረምረምኩምሉ ምጕርምራም ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ ንሕና እንታይ ኢና፧ ንእግዚኣብሄር ኢኹም
እምበር፡ ንኣና ኣይኰንኩምን ዘጕረምረምኩምልና፡ በለ። [9] ሙሴ ድማ ንኣሮን፡ ንዅሉ ኣኼባ ደቂ
እስራኤል፡ ምጕርምራምኩም ሰሚዑ እዩ እሞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅረቡ በሎም፡ በሎ። [10] ኰነ
ኸኣ፡ ኣሮን ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ምስ ተዛረበ፡ ንሳቶም ንበረኻ ገጾም ጠመቱ፡ እንሆ ኸኣ፡ ክብሪ
እግዚኣብሄር ብደበና ተራእየ። [11] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [12] ምጕርምራም ደቂ
እስራኤል ሰሚዔ እየ እሞ፡ ምሸት ስጋ ኽትበልዑ ኢኹም፡ ብጊሓት ከኣ እንጌራ ኽትጸግቡ ኢኹም። ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም፡ ኢልካ ተዛረቦም። [13] ኰነ ከኣ፡ ንምሸቱ

ብርኒኀታት ተላዒለን ነቲ ሰፈር ከደናኦ። ብጊሓት ድማ ኣብ ዙርያ እቲ ሰፈር ዛዕዝዓ ወዲቑ ነበረ። 14
እቲ ዛዕዝዓ ምስ ዘፈፈ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣብ ገጽ እቲ በረኻ ገለ ደቂቕ ከቢብ፡ ከም ኣስሓይታ ዝምድቃቑ
ኣብ ምድሪ ነበረ። 15 ደቂ እስራኤል ድማ እዚ ምስ ረኣዩ፡ እንታይ ምዃኑ ኣይፈለጡን እሞ፥ እዚ እንታይ
እዩ፧ ኢሎም ንሓድሕዶም ተሓታተቱ። ሙሴ ኸኣ፥ እዚ እግዚኣብሄር ክትበልዕዎ ዝሀበኩም እንጌራ
እዩ። 16 እቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ነገር ድማ እዚ እዩ፥ ነፍሲ ወከፍ ንብልዑ ዚኣክል ካብኡ ይኣክብ።
ከም ፍቕዲ ነፍሳትኩም ንነፍሲ ወከፍ ሓደ ጎመር፡ ነፍሲ ወከፍ ነቶም ኣብ ድንኳኑ ዘለዉ ይውሰደሎም፡
በሎም። 17 ደቂ እስራኤል ድማ ከምኡ ገበሩ። ሓደ ብዙሕ፡ ሓደ ኸኣ ሒደት ኣከቡ። 18 ብጎመር ድማ
ሰፈርዎ፡ እቲ ብዙሕ ዝኣከበ ኣየትረፈን፡ እቲ ሒደት ዝኣከበ ኸኣ ኣየጒደለን። ነፍሲ ወከፍ እቲ ብልዑ
ዚኣኽሎ ኣከበ። 19 ሙሴ ድማ፡ ሓደ እኳ ኻብኡ ገለ ኽሳዕ ንጽብሒቱ ኣየትርፍ፡ በሎም። 20 ንሙሴ ግና
ኣይሰምዕዎን እሞ፡ ገለ ሰባት ካብኡ ኽሳዕ ንጽብሒቱ ኣትረፉ፡ ንሱ ኸኣ ሐሰኸ፡ በድበደ ድማ። ሙሴ
ኸኣ ብኣታቶም ተናደደ። 21 ነፍሲ ወከፍ ንግሆ ንግሆ ኻብኡ መጠን ብልዑ ዚኣክል ይእክብ ነበረ።
ጸሓይ ምስ ሞቐት ግና፡ መኸኸ። 22 ኰነ ኸኣ፡ በታ ሳድሰይቲ መዓልቲ ኻብቲ እንጌራ ኻዕበት ኣከቡ፡
ክልተ ጎመር ንሓደ። ኵሎም ሓላቑ እቲ ኣኼባ ድማ መጺኦም ንሙሴ ነገርዎ። 23 ንሱ ኸኣ፡ እዚ እቲ
እግዚኣብሄር ዝበሎ እዩ። ጽባሕ ክቡር ዕረፍቲ፡ ንእግዚኣብሄር ቅድስቲ ሰንበት እያ፡ እትስንክትዎ
ሰንክቱ፡ እተፍልሕዎውን ኣፍልሑ። እቲ ዝተረፈ ዅሉ ኸኣ ኣንብርዎ፡ ክሳዕ ጽባሕ ይተሓለወልኩም፡
በሎም። 24 ከምቲ ሙሴ ዝኣዘዞም ከኣ ንጽባሕ ኣንበርዎ፡ ንሱ ኣይበድበደን ኣይሓሰኸን ድማ። 25 ሙሴ
ኸኣ፡ ሎሚ ናይ እግዚኣብሄር ሰንበት እያ፡ ሎሚ ኣብ መሮር ኣይትረኽቡን ኢኹም እሞ፡ ሎሚ
ብልዕዎ። 26 ሹድሽተ መዓልቲ ኣክቡ፡ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ሰንበት እያ፡ ብእኣ ኣይርከብን እዩ፡
በለ። 27 ኰነ ድማ፡ ካብቶም ህዝቢ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኺእክቡ ወጹ፡ ኣይረኸቡን ከኣ። 28
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኹም ትእዛዛተይን ሕጋጋተይን ምሕላው እትኣብዩ፧ 29 ርኣዩ፡
እግዚኣብሄር ሰንበት ሂቡኩም እሞ፡ ስለዚ በታ ሳድሰይቲ መዓልቲ ንኽልተ መዓልቲ ዚኸውን እንጌራ
ይህበኩም ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ ኣብ ዘዘለዎ ይቀመጥ። በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ሓደ እኳ ኻብ ስፍራኡ
ኣይውጻእ፡ በሎ። 30 እቲ ህዝቢ ኸኣ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ዐረፈ። 31 ቤት እስራኤል ድማ ስሙ ማና
በልዎ። ፍረ ጻቕዳ ይመስል ነበረ፡ ጻዕዳ ኸኣ ነበረ፡ ምጥዓሙውን ከም ሕምባሻ ምስ መዓር ነበረ። 32
ሙሴ ድማ በለ፡ እግዚኣብሄርሲ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኸውጻኩም ከሎኹ ኣብ በረኻ ዝመገብኩኹም
እንጌራ ምእንቲ ኺርእዩስ፡ ካብኡ ሓደ ጎመር ምልኡ፡ ንውሉድ ወለዶኹም ከኣ ይተዓቘር፡ ኢሉ እዚ
ነገርዚ ኣዘዘ። 33 ሙሴ ድማ ንኣሮን፥ ኣቕሓ ኣምጺእካ ናብኡ ሓደ ጎመር ምሉእ ማና ኣእቱ፡ ንውሉድ
ወለዶኹም ኪዕቆር ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣንብሮ፡ በሎ። 34 ኣሮን ከኣ ከምቲ እግዚኣብሄር
ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኪዕቆር ኣብ ቅድሚ እቲ ምስክር ኣንበሮ። 35 ደቂ እስራኤል፡ ናብ ዓዲ ሃገረ ሰብ ክሳዕ
ዚኣትው፡ ኣርብዓ ዓመት ማና በልዑ። ናብ ወሰን ሃገር ከንኣን ክሳዕ ዚበጽሑ፡ ማና በልዑ። 36 ጎመር ግና
ዓስራይ ኣፍ ኤፋ እዩ።

# ምዕራፍ 17

1 ኵሉ እቲ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ካብ በረኻ ሲን ነቐለ፡ ከም ትእዛዝ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ሰፈር ናብ
ሰፈር እናተጓዕዘ ኣብ ረፊዲም ሰፈሩ። እቲ ህዝቢ ኸኣ ዚሰትዮ ማይ ኣይነበሮን። 2 እቶም ህዝቢ ድማ፡
እንሰትዮ ማይ ሀቡና፡ ኢሎም ምስ ሙሴ ተቛየቑ። ሙሴ ኸኣ፡ ስለምንታይ ምሳይ ትቛየቑ፧ በሎም።

ስለምንታይከ ንእግዚኣብሄር ትፍትኑ፧ በሎም። 3 እቶም ህዝቢ ድማ ኣብኡ ማይ ጸሚኦም ንሙሴ፡
ስለምንታይ ኢኻ፡ ንሕናን ደቅናን ማልናን ብጽምኢ ኽንመውት ካብ ግብጺ ዘደየብካና፧ ኢሎም
ኣጕረምረሙሉ። 4 ሙሴ ድማ፥ ነዚ ህዝቢዚ እንታይ ክገብሮ እየ፧ ብዳርባ እምኒ ኪቐትሉኒ ቕሩብ
ተሪፍዎም ኣሎ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ኣእወየ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ናብ ቅድሚ ህዝቢ ሕለፍ
እሞ፡ ካብ ዓበይቲ እስራኤል ከኣ ምሳኻ ውሰድ፡ እታ ነታ ርባ ዝወቓዕካላ በትርኻ ድማ ኣብ ኢድካ
ሒዝካ ኺድ። 6 እንሆ፡ ኣነ ኣብኡ ኣብ ቅድሜኻ ኣብ ልዕሊ ኸውሒ ሆሬብ ደው ክብል እየ። ነቲ
ኸውሒ ኸኣ ክትወቅዖ ኢኻ፡ ነቶም ህዝቢ ዜስቲ ማይ ድማ ካብኡ ኺወጽእ እዩ፡ በሎ።ሙሴ ድማ ኣብ
ቅድሚ ዓበይቲ እስራኤል ከምኡ ገበረ። 7 ብዛዕባ እቲ ቘየቛ ደቂ እስራኤል፡ ንእግዚኣብሄር ድማ፡
እግዚኣብሄርሲ ኣብ ማእከልናዶ ኣሎ ወይ ኣይፋሉን፧ ኢሎም ስለ ዝፈተንዎ፡ ስም እታ ቦታ ማሳን
መሪባን ኣውጽኣላ። 8 ሽዑ ኣማሌቅ መጺኡ፡ ምስ እስራኤል ኣብ ረፊዲም ተዋግኤ። 9 ሙሴ ድማ ንእያሱ፡
ሰባት ሕረየልና እሞ፡ ወጺእካ ምስ ኣማሌቅ ተዋጋእ። ኣነ ጽባሕ በትሪ ኣምላኽ ኣብ ኢደይ ሒዘ ኣብ
ርእሲ እቲ ኹርባ ደው ክብል እየ፡ በሎ። 10 እያሱ ኸኣ ከምቲ ሙሴ ዝበሎ ገበረ፡ ምስ ኣማሌቅ ከኣ
ተዋግኤ። ሙሴን ኣሮንን ሁርን ድማ ናብ ርእሲ እቲ ኹርባ ደየቡ። 11 ኰነ ኸኣ፡ ሙሴ ኢዱ ምስ
ዜልዕል፡ እስራኤል ይስዕር ነበረ፡ ኢዱ ምስ ዜውርድ ድማ፡ ኣማሌቅ ይስዕር ነበረ። 12 ኣእዳው ሙሴ ኸኣ
ረብረባ እሞ እምኒ ወሲዶም ኣብ ትሕቲኡ ኣንበሩ፡ ንሱውን ኣብ ልዕሊኡ ተቐመጠ። ኣሮንን ሁርን ከኣ
ሓደ በዚ ሓደ በቲ ኾይኖም፡ ኣእዳው ይድግፉ ነበሩ።ኣእዳው ኸኣ ጸሓይ ክሳዕ እትዓርብ ጸንዓ። 13
እያሱ ድማ ንማሌቅን ንህዝቡን ብስሕለት ሴፍ ቀርደዶም። 14 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንዝኽሪ
ኣማሌቅ ካብ ትሕቲ ሰማይ ፈጺመ ኽድምስሶ እየ እሞ፡ እዚ ንመዘከርታ ኣብ መጽሓፍ ጽሓፎ፡
ንእያሱውን ኣብ እዝኑ ኣስምዓዮ፡ በሎ። 15 ሙሴ ኸኣ መሰውኢ ሰርሔ፡ ስሙ ድማ፡ እግዚኣብሄር
ሰንደቕ ዕላማይ እዩ፡ ኢሉ ጸውዖ። 16 ኢድ ናብ ዝፋን እግዚኣብሄር ተላዒላ ኣላ እሞ፡ ውግእ
እግዚኣብሄር ምስ ኣማሌቅ ካብ ወለዶ ንወለዶ እዩ፡ ድማ በለ።

# ምዕራፍ 18

1 የትሮ፡ ካህን ሚድያን ሓሙ ሙሴ፡ ኣምላኽ ንሙሴን ንህዝቡ እስራኤልን ዝገበሮ ዅሉ፡ እግዚኣብሄር
ንእስራኤል ካብ ግብጺ ኸም ዘውጽኤ ሰምዔ። 2 ሽዑ የትሮ ሓሙ ሙሴ ንሲፎራ ሰበይቲ ሙሴ፡ ንሱ
ሰዲድዋ ዝነበረ፡ 3 ንኽልቲኦም ደቃ ድማ ወሰዶም። ሙሴ ኸኣ ኣነ ኣብ ምድሪ ጓና ስደተኛ ኾንኩ፡ ኢሉ
ነበረ እሞ ስም እቲ ሓደ ጌርሾም ኣውጻኣሉ፡ 4 ስም እቲ ኻልኣይ ድማ፡ ኣምላኽ ኣቦይ ረዳእየይ ነበረ
እሞ፡ ካብ ሴፍ ፈርኦን ከኣ ኣድሓነኒ፡ ኢሉ ኣልኣዛር ኣውጻሉ። 5 የትሮ ሓሙ ሙሴ ድማ ምስ ደቂ
ሙሴን ሰበይቱን ናብ ሙሴ፡ ኣብቲ ንሱ ሰፈርዎ ዝነበረ በረኻ፡ ኣብ ጥቓ ኸረን ኣምላኽ መጸ። 6 ንሙሴ
ድማ፡ ኣነ የትሮ ሓሙካ፡ ሰበይትኻን ክልቲኦም ደቃ ድማ ምስኣን፡ ናባኻ እመጽእ ኣሎኹ፡ በሎ። 7
ሙሴ ኸኣ ሓሙኡ ኪቕበል ወጸ፡ ሰገደሉ ሰዓሞ ድማ። ናይ ድሓን ምህላዎም ንሓድሕዶም ተሓታተቱ፡
ናብ ድንኳን ከኣ ኣተዉ። 8 ሙሴ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ምእንቲ እስራኤል ኢሉ ንፈርኦንን
ንግብጻውያንን ዝገበሮ ዅሉን እቲ ኣብ መገዲ ዝረኸቦም ኵሉ ጭንቀትን እግዚኣብሄር ከኣ ከም
ዘድሓኖምን ንሓሙኡ ነገሮ። 9 የትሮ ድማ በቲ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብ ኢድ ግብጻውያን
ብምድሓኑ፡ ዝገበሮ ኹሉ ጽቡቕ ነገር ተሐጎሰ። 10 የትሮ ድማ፡ እቲ ኻብ ኢድ ግብጻውያንን ካብ ኢድ
ፈርኦንን ዘድሐነኩም፡ እቲ ንህዝቢ ኻብ ትሕቲ ኢድ ግብጻውያን ዘድሐነ እግዚኣብሄር ይባረኽ። 11 እቲ

ዝገበርዎም ግፍዒ ኣብ ልዕሊኦም መሊሱሎም እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ካብ ኵሎም ኣማልኽቲ ኸም
ዚዓቢ፡ ሕጂ ፈለጥኩ፡ በለ። 12 የትሮ ሓሙ ሙሴ ድማ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ሕሩድን
ንኣምላኽ ወሰደሉ። ኣሮንን ኵሎም ዓበይቲ እስራኤልን ምስ ሓሙ ሙሴ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ እንጌራ
ኺበልዑ መጹ። 13 ኰነ ኸኣ፡ ንጽብሒቱ ሙሴ ነቲ ህዝቢ ኺፈርድ ተቐመጠ።እቲ ህዝቢ ድማ ካብ
ብጊሓት ክሳዕ ምሸት ንሙሴ ኸቢብዎ ደው ኢሉ ነበረ። 14 ሓሙ ሙሴ ኸኣ እቲ ኣብ ህዝቢ ዚገብሮ
ኹሉ ምስ ረኣየ፥ እዚ ኣብዚ ህዝቢ እትገብሮ ዘሎኻ ነገር እንታይ እዩ፧ ስለምንታይከ ኢኻ፡ ኵሉ ህዝቢ
ኻብ ብጊሓት ክሳዕ ምሸት ከቢቡካ ደው ኢሉ ኸሎ፡ ንስኻ በይንኻ ኮፍ እትብል፧ በሎ። 15 ሙሴ ድማ
ንሓሙኡ፡ እቲ ህዝቢ ንኣምላኽ ኪሓትት ናባይ ይመጽእ፡ 16 ነገር ምስ ዚህልዎም ናባይ ይመጹ፡ ኣነ ኸኣ
ኣብ መንጎ ሓደ ሰብን ኣብ መንጎ ብጻዩን እፈርድ፡ ስርዓት ኣምላኽን ሕጋጋቱን ድማ እነግሮም፡ በሎ። 17
ሓሙ ሙሴ ኸኣ በሎ፡ እዚ ንስኻ እትገብሮ ዘሎኻ ነገር ኣይጽቡቕን እዩ። 18 ንስኻን እዚ ምሳኻ ዘሎ
ህዝብን ክትደኽሙ ኢኹም፡ እዚ ነገርዚ ኻብ ዓቕምኻ ዚኸብድ እዩ እሞ፡ በይንኻ ኽትገብሮ
ኣይትኽእልን ኢኻ። 19 ሕጂ ኸኣ ክመኽረካ፡ ቃለይ ስማዕ፡ እግዚኣብሂር ድማ ምሳኻ ይኹን። ንስኻ ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኹን፡ እቲ ነገሮም ድማ ንስኻ ናብ ኣምላኽ ኣብጽሖ። 20 ስርዓታትን
ሕጋጋትን ምሃሮም፡ ዚኸዱላ መገድን ዚገብርዎ ግብርን ከኣ ንገሮም። 21 ንስኻ ኻብ ኵሉ ህዝቢ ኸኣልቲ
ንእግዚኣብሄር ዚፈርሁ ሰባት፡ እሙናት፡ ረብሓ ዓመጽ ዚጸልኡ ሰባት ሕረ። ንኣታቶም ከኣ ሕላቓ ሽሕን
ሓላቓ ሚእትን ሓላቓ ሓምሳን ሓላቓ ዓሰርተን ኣብ ልዕሊኦም ሸመሎም። 22 ወርትግ ድማ ንህዝቢ
ይፍረዱ። ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ዓብዪ ነገር ዝኾነ ኹሉ ናባኻ የምጽኡ። ኵሉ ንእሽቶ ነገር ግና ባዕላቶም
ይፍረድዎ። እቲ ጾር ምሳኻ እንተ ጾሩ ኸኣ፡ ንኣኻ ይፈኹሰካ። 23 እዚ ነገርዚ እንተ ገበርካ፡ ኣምላኽ ድማ
ከምኡ እንተ ኣዘዘካ፡ ክትጸንዕ ኢኻ። ኵሉ እዚ ህዝቢዚ ድማ ናብ ቦታኡ ብሰላም ይኣቱ። 24 ሙሴ ድማ
ቃል ሓሙኡ ሰሚዑ፡ ዝበሎ ኹሉ ገበረ። 25 ሙሴ ኸኣ ካብ ኵሉ እስራኤል ከኣልቲ ሰባት ሐርዩ፡ ኣብ
ልዕሊ ህዝቢ ሓላቓ ኪኾኑ፡ ሓላቓ ሽሕን ሓላቓ ሚእትን ሓላቓ ሓምሳን ሓላቓ ዓሰርተን ገበሮም። 26
ንሳቶም ድማ ንህዝቢ ወርትግ ፈረዱ። ብርቱዕ ነገር ዝኾነ ኸኣ ናብ ሙሴ ኣምጽኡሉ፡ ኹሉ ንእሽቶ
ነገር ግና ንሳቶም ፈረዱ። 27 ሙሴ ድማ ንሓሙኡ ሰደዶ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ሃገሩ ኸደ።

# ምዕራፍ 19

1 ደቂ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ዚወጹ ኣብ ሳልሰይቲ ወርሒ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ናብ በረኻ
ሲና መጹ። 2 ካብ ረፊዲም ተላዒሎም ናብ በረኻ ሲና መጹ፡ ኣብቲ በረኻ ድማ ሰፈሩ። እስራኤል ከኣ
ኣብኡ ኣብ መንጽር እቲ ኸረን ሰፈረ። 3 ሙሴ ድማ ናብ ኣምላኽ ደየበ። እግዚኣብሄር ከኣ ካብቲ ኸረን
ጸዊዑ በሎ፡ ንቤት ያእቆብ ከምዚ በሎም፡ ንደቂ እስራኤል ከኣ ንገሮም፥ 4 እቲ ኣብ ግብጻውያን
ዝገበርክዎ፡ በኽናፍ ንስሪ ጾይረ ናባይ ከም ዘምጻእኩኹምን ድማ ባዕላትኩም ርኢኹም ኢኹም። 5
ሕጂ ድማ ቃለይ ኣጸቢቕኩም እንተ ሰማዕኩም፡ ኪዳነይ ውን እንተ ሐሎኹም፡ ኵላ ምድሪ ናተይ እያ
እሞ፡ ሓለፋ ኹሎም ህዝብታት ገንዘበይ ክትኰኑኒ ኢኹም። 6 ንስኻትኩም ድማ መንግስቲ ኻህናትን
ቅዱስ ህዝብን ክትኰኑኒ ኢኹም። እቲ ንደቂ እስራኤል እትዛረቦም ነገር እዚ እዩ። 7 ሙሴ ድማ መጺኡ
ንዓበይቲ ህዝቢ ጸውዔ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ኹሉ ቓላት ነገሮም። 8 ኵሎም ህዝቢ ኸኣ ብሓደ፡
ኹይኖም፡ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኹሉ ንገብር፡ ኢሎም መለሱ። ሙሴ፡ ድማ ቃል እቲ ህዝቢ ናብ
እግዚኣብሄር መለሰ። 9 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ክዛረበካ ኸሎኹ፡ እቶም ህዝቢ ምእንቲ ኺሰምዑ፡

ንሓዋሩ ድማ ኪኣምኑኻስ፡ እንሆ፡ ኣነ ብጸሊም ደበና ኽመጻካ እየ፡ በሎ። ሙሴ ኸኣ ዘረባ እቶም ህዝቢ
ንእግዚኣብሄር ነገሮ። 10-11 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፥ እግዚኣብሄር በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኣብ
ቅድሚ ዅሉ ህዝቢ ናብ ከረን ሲና ኺወርድ እዩ እሞ፡ ናብቶም ህዝቢ ኺድ፡ ሎምን ጽባሕን ቀድሶም፡
ክዳውንቶም ከኣ ይሕጸቡ። ነታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ይዳለዉ። 12 ነቶም ህዝቢ ድማ ብዙርያኡ ዶብ
ግበረሎም። በሎም ከኣ፡ ናብ ከረን ከይትድይቡ፡ ወይ ነቲ ዶብ ከይትትንክዩ ተጠንቀቑ። ነቲ ኸረን
ዝተንከየ ዘበለ ሞት ይሙት። 13 ገለ ኢድ ኣይተንክዮ፡ እንስሳ እንተ ዀነ ወይ ሰብ፡ ብዳርባ እምኒ
ሓደው ብመንትግ ደኣ ይሙት እምበር፡ ብህይወት ኣይንበር። መለኸት ኣንዊሑ ምስ ዚንፋሕ፡ ሽዑ ናብ
ከረን ይደይቡ። 14 ሙሴ ድማ ካብቲ ኸረን ናብቲ ህዝቢ ወረደ፡ ነቲ ህዝቢ ኸኣ ቀደሶ፡ ንሳቶምውን
ክዳውንቶም ሐጸቡ። 15 ነቶም ህዝቢ ድማ፡ ነታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ተዳለዉ፡ ናብ ሰበይቲ ኸኣ
ኣይትቕረቡ፡ በሎም። 16 ኰነ ኸኣ፡ በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኺወግሕ ከሎ ነጐድን በርቕን ከቢድ ደበናን
ናብ ልዕሊ እቲ ኸረን ኰነ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ ደሃይ መለኸትውን ተሰምዔ። እቲ ኣብ ሰፈር ዝነብረ ዅሉ
ህዝቢ ድማ ተምበድበደ። 17 ሙሴ ኸኣ ነቲ ህዝቢ ምስ ኣምላኽ ኪራኸብ ካብ ሰፈር ኣውጽኦ። ኣብ
እግሪ ኸረን ድማ ደው በሉ። 18 እግዚኣብሄር ብሓዊ ናብኡ ስለ ዝወረደ፡ ኵሉ ኸረን ሲና ይተክኽ ነበረ።
ትኪ ኸኣ ከም ትኪ እቶን ካብኡ ዐረገ። ኵሉ እቲ ኸረን ኣዝዩ ኣንቀጥቀጠ። 19 እቲ ደሃይ መለኸት ከኣ
ኣዝዩ እናበርትዔ ኸደ። ሙሴ ተዛረበ፡ እግዚኣብሄር ድማ ብቓሉ መለሰሉ። 20 እግዚኣብሄር ከኣ ናብ
ልዕሊ ኸረን ሲና ናብ ርእሲ እቲ ኸረን ወረደ። እግዚኣብሄር ንሙሴ ናብ ርእሲ እቲ ኸረን ጸውዖ።
ሙሴ ከኣ ደየበ። 21 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ውረድ እሞ እቶም፡ ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ኪርእዩ
ኸይቀርቡ፡ ብዙሓት ከኣ ኸይጠፍኡስ፡ ኣጠንቅቖም። 22 እቶም ናብ እግዚኣብሄር ዚቐርቡ ኻህናት ድማ
እግዚኣብሄር ከየጥፍኦም፡ ርእሶም ይቀደሱ፡ በሎ። 23 ሙሴ ኸኣ ንእግዚኣብሄር በሎ፡ ንስኻ፥ ናብ ዙርያ
እቲ ኸረን ዶብ ግበር፡ ቀድሶ ድማ፡ ኢልካ ኣጠንቂቕካና ኢኻ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ናብ ከረን ሲና
ኺድይቡ ኣይኽእሉን። 24 እግዚኣሄር ከኣ፡ ኪድ ውረድ እሞ፡ ንስኻ ኣሮን ድማ ምሳኻ ደይቡ። እቶም
ካህናትን ህዝብን ግና ምእንቲ ኸየጥፍኦም፡ ናብ እግዚኣብሄር ኪድይቡ ኢሎም ኣይጥሐሱ፡ በሎ። 25
ሙሴ ድማ ናብቶም ህዝቢ ወሪዱ ነገሮም።

# ምዕራፍ 20

1 እግዚኣብሄር ድማ እዚ ቓላት እዚ ዅሉ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ 2 ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት
ዘውጻእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ። 3 ካልኦት ኣማልኽቲ ኣብ ቅድመይ ኣይሀልዉኻ። 4 ኣብ
ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ድማ ኣብ ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ኣብ ማይ ከኣ ኣብ ትሕቲ
ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ ኣይትግበር። 5 ኣይትስገድሎም ኣይተገልግሎምን ድማ።
ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ቀናእ ኣምላኽ እየ እሞ፡ ንዚጸልኡኒ ሓጢኣት ኣቦታት ኣብ ደቂ ኽሳዕ
ሳልሳይ ክሳዕ ራብዓይን ወለዶ ዝቕጽዕ፡ 6 ንዚፈትዉንን ትእዛዛተይ ንዚሕልዉን ግና ክሳዕ ኣሽሓት
ምሕረት ዝገብር እየ። 7 እግዚኣብሄር ስሙ ብኸንቱ ንዘልዐለ ኸይቀጽዔ ኣይሐድጎን እዩ እሞ፡ ስም
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል። 8 መዓልቲ ሰንበት ክትቅድሳ ዘክር። 9 ሹድሽተ መዓልቲ ዕየ፡
ተግባርካ ዅሉ ግበር። 10 እታ ሳብዐይቲ ግና ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሰንበት እያ። ብእኣ ንስኻን
ወድኻን ጓልካን ግዙእካን ግዝእትኻን ማልካን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ዚነብር ስደተኛን ገለ እኳ ዕዮ
ኣይትዕየ። 11 እግዚኣብሄር ብሹድሽተ መዓልቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘሎ ዅሉን ገይሩ እዩ

እሞ፡ ብሳብዐይቲ መዓልቲ ከኣ ዐረፈ። ስለዚ እግዚኣብሄር ንመዓልቲ ሰንበት ባረኻን ቀደሳን። 12 ኣብቲ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ዕድሜኻ ምእንቲ ኺነውሕሲ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። 13
ኣይትቕተል። 14 ኣይትዘሙ። 15 ኣይትስረቕ። 16 ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር። 17 ቤት ብጻይካ
ኣይትተምነ። ሰበይቲ ብጻይካ ግዙኡ፡ ግዝእቱ፡ ብዕራዩ፡ ኣድጉ፡ ገንዘብ ብጻይካ ዘበለ ኹሉ ድማ
ኣይትተምነ። 18 ኲሎም ህዝቢ ድማ ነጐድን ሃልሃልታን ደሃይ መለኸትን እቲ ኸረን ኪተክኽን ረኣዩ።
እቶም ህዝቢ እዚ ምስ ረኣዩ ኸኣ፡ ኣንቀጥቀጡ፡ ርሒቖም ድማ ደው በሉ። 19 ንሙሴ ድማ፡ ንስኻ ንገረና
ንሰምዕ ኢና፡ ኣምላኽ ግና፡ ምእንቲ ኸይንመውት፡ ኣይዛረበና፡ በልዎ። 20 ሙሴ ኸኣ ነቶም ህዝቢ፡
ሓጢያት ምእንቲ ኸይትገብሩ፡ ፍርሃቱ ኣብ ቅድሜኹም ኪኸወን፡ ኣምላኽ ምእንቲ ኺዕዘበኩም እዩ
ዝመጸ እሞ፡ ኣይትፍርሁ፡ በሎም። 21 እቲ ህዝቢ ኣብ ርሑቕ ቄመ፡ ሙሴ ናብቲ ኣምላኽ ዘለዎ ጣቓ
ቐረበ። 22 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ንደቂ እስራኤል ከምዚ በሎም፡ ኣነ ኻብ ሰማይ ከም
እተዛረብኩኹም፡ ባዕላትኩም ርኤኹም። 23 ምሳይ ኣማልኽቲ ኣይትግበሩ፡ ኣማልኽቲ ብሩርን ኣማልኽቲ
ወርቅን ንኣኻትኩም ኣይትግበሩ። 24 መሰውኢ መሬት ስርሓለይ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዚሐርር
መስዋእትታትካን መስዋእቲ ምስጋናኻን፡ ኣባጊዕካን ኣብዑርካን ሰውእ። ስመይ ኣብ ዘዘከርኩሉ ኹላ
ቦታ ናባኻ መጺኤ ኽባርኽካ እየ። 25 መሰውኢ እምኒ እንተ ገበርካለይ፡ ብመንደልካ እንተ ተንኬኻዮ
ተርክሶ ኢኻ እሞ፡ ብውቑር እምኒ ኣይትንደቆ። 26 ናብ መሰውእየይ፡ ኣብ ልዕሊኡ ሕፍረትካ
ኸይቅላዕሲ፡ ብመሳልል ኣይትደይብ።

# ምዕራፍ 21

1 እቲ ኣብ ቅድሚኦም እተንብሮ ፍርድታት እዚ እዩ፡ 2 እብራዊ ባርያ እንተ ተሻየጥካ፡ ሹድሽተ ዓመት
ይገዝእካ፡ ኣብታ ሳብዐይቲ ግና ብኸምኡ ሓራ ይውጻእ። 3 በይኑ እንተ ኾይኑ ዝመጸ፡ በይኑ ይውጻእ።
ባዓል ሰበይቲ እንተ ኾይኑ፡ እታ ሰበይቱ ከኣ ምስኡ ትወጽእ። 4 ጐይታኡ ሰበይቲ እንተ ሀቦ እሞ
ኣወዳትን ኣዋልድን እንተ ወለደትሉ፡ እታ ሰበይትን ደቃን ንጐይታኣ ይኩኑ፡ ንሱ በይኑ ይውጻእ። 5 እቲ
ባርያ ግና፥ ጐይታይን ሰበይተይን ደቀይን እፈቱ ኣሎኹ፡ ሓራ ኣይወጽእን፡ እንተ በለ፡ 6 ሽዑ እቲ
ጐይታኡ ናብ ቅድሚ ኣምላኽ የቕርቦ እሞ፡ ኣብ ማዕጾ ወይ ኣብ ልዳት ኣቕርቦ፡ እቲ ጐይታኡ እዝኑ
ብመስፈ የንኲሎ፡ ንሓዋሩ ኸኣ ይግዝኦ። 7 ሰብ፡ ጓሉ ንባርነት እንተ ሸጠ፡ ንሳ ኸምቶም ሓራ ዚወጹ
ባሮት ኣይትውጻእ። 8 ነታ ዘእተዋ ጐይታኣ ባህ እንተ ዘይበለቶ፡ ሓራ የውጽኣያ። እንድሕሪ ጠለማ ኸኣ፡
ናብ ጓና ህዝቢ ኺሸጣ ኣይግብኦን። 9 ንወዱ እንተ ኣመርዓዋ ድማ እቲ ነዋልድ ዚግባእ ይግበረላ። 10
ካልእ ሰበይቲ እንተ ኣምጽኣሉ ድማ፡ ቀለባን ክዳናን ከም ሰብይቱ ዚግባእን ኣየጉድለላ። 11 እዚ ሰለስተ
ነገርዚ እንተ ዘይገበረላ ግና፡ ብኸምኡ ብዘይ ገንዘብ ሓራ ትውጻእ። 12 እቲ ንሰብ ወቒዑ ዝቐተለ ሞት
ይሙት። 13 ኣምላኽ ደኣ ኣብ ኢዱ ዘውደቖ እምበር፡ ዘይተጻናተዎ እንተ ኾይኑ፡ ንሱ ዚሀድመሉ ቦታ
ኽገብረልካ እየ። 14 ሰብ ተተናኺሉ ንብጻዩ ብጒርሒ እንተ ቐተሎ ኸኣ፡ ኪመውት ካብ መሰውእየይ
ኣውጽኣዮ። 15 ነቦኡ ወይ ነዲኡ ዝወቕዔ ሞት ይሙት። 16 ንሰብ ሰሪቑ ዝሸጦ፡ ወይ ኣብ ኢዱ እንተ
ተረኸበ፡ ሞት ይሙት። 17 ነቦኡ ወይ ነዲኡ ዝረገመ ሞት ይሙት። 18 ሰባት እንተ ተባኣሱ እሞ እቲ ሓደ
ንብጻዩ ብእምኒ ወይ ዐሚኹ እንተ ወቕዖ፡ ግናኸ ከይሞተ ኣብ ዓራት እንተ ደቀሰ፡ 19 በትሩ ተመርኲሱ
ኸኣ ንግዳም ኪወጽእ እንተ ኸኣለ፡ እቲ ዝወቕዖ ሓራ ውጹእ እዩ። ናይቲ ዘብኰሮ ግዜ ጥራይ ይኽሓሶ፡
ፈጺሙ ኽሳዕ ዚሐዊ ኸኣ የፈውሶ። 20 ሰብ ነቲ ባርያኡ ወይ ነታ ባርያኡ ብበትሪ ወቒዕዎስ ኣብ ኢዱ

እንተ ሞተ፡ ቅጽዓት ይቀጻዕ። 21 ሓንቲ ወይ ክልተ መዓልቲ እንተ ተንስኤ ግና፡ ገንዘቡ እዩ እሞ፡
ኣይቀጻዕ። 22 ሰባት እንተ ተባእሱ እሞ ጥንስቲ ሰበይቲ እንተ ደፍኡ፡ ጥንሳ ድማ እንተ ኸደ፡ ካልእ
ጕድኣት እንተ ዘይኰነ፡ ሰብኣይ እታ ሰበይቲ ዝጸዓኖ ኻሕሳ ይኽሐስ፡ ፈረዲ ኸም ዝመደቡሉ ኸኣ
ይዕደ። 23 ጕድኣት እንተ ኾነ ግና፡ ነፍሲ ኣብ ክንዲ ነፍሲ ክትህብ ኢኻ። 24 ኣብ ክንዲ ዓይኒ፡ ዓይኒ።
ኣብ ክንዲ ስኒ፡ ስኒ። ኣብ ክንዲ ኢድ፡ ኢድ። ኣብ ክንዲ እግሪ፡ እግሪ። 25 ኣብ ክንዲ ምንዳድ፡ ምንዳድ።
ኣብ ክንዲ ቍስሊ፡ ቍስሊ። ኣብ ክንዲ ሕበጥ፡ ሕበጥ። 26 ሰብ ዓይኒ እቲ ባርያኡ ወይ ዓይኒ እታ
ባርያኡ ወቒዑ እንተ ኣጥፊኤ፡ ካሕሳ እታ ዓይኑ ሓራ የውጽኣዮ። 27 ስኒ እቲ ባርያኡ ወይ ስኒ እታ
ባርያኡ እንተ ሰበረ፡ ካሕሳ እታ ስኑ ሓራ የውጽኣዮ። 28 ብዕራይ ንሰብኣይ ወይ ንሰበይቲ ወጊኡ እንተ
ቐተለ፡ ነቲ ብዕራይ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎ፡ ስጋኡ ድማ ኣይበላዕ። እቲ በዓል ብዕራይ ግና ናጻ እዩ። 29
እቲ ብዕራይ ካብ ቀደሙ ተዋጋኢ እንተ ኾነ፡ እሞ ነቲ ዋናኡ ኣስሚዖምሉ ኸለዉ እንተ ዘይሐለዎ፡
ንሰብኣይ ወይ ንሰበይቲ እንተ ቐተለ፡ ነቲ ብዕራይ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎ፡ እቲ ዋናኡ ኸኣ ይሙት። 30
ጋር ነፍሲ እንተ ደለይዎ ኸኣ፡ ከም ዝጸዐንዎ ጋር ነፍሱ ይሀብ። 31 ንወዲ እንተ ወግኤ፡ ወይ ንጓል እንተ
ወግኤ ኸኣ፡ ከምዚ ፍርዲ እዚ ይግበርዎ። 32 ብዕራይ ንተባዕታይ ባርያ ወይ ነንስተይቲ ባርያ እንተ
ወግኤ፡ እቲ ዋና እቲ ብዕራይ ንጐይታ እቲ ውጉእ ሰላሳ ሲቃል ብሩር ይሀቦ፡ ነቲ ብዕራይ ድማ ብዳርባ
እምኒ ይቕተልዎ። 33 ሰብ ጕድጓድ እንተ ከፈተ ወይ ከኣ ሰብ ጕድጓድ እንተ ኹዐተ እሞ እንተ ዘይከደኖ፡
ናብኡ ድማ ብዕራይ ወይ ኣድጊ እንተ ወደቐ፡ 34 እቲ በዓል ጕድጓድ ነቲ ዋናኡ ገንዘብ ክሒሱ የዕርፎ።
እቲ ዝሞተ ኸኣ ንእኡ ይኹን። 35 ብዕራይ ሓደ ሰብ ንብዕራይ ካልእ ሰብ እንተ ቐተለ፡ ነቲ ብህይወት
ዘሎ ብዕራዩ ሸይጦም ሸያጡ ይማቐሉ።ነቲ ምዉት ከኣ ይማቐልዎ። 36 እቲ ብዕራይ ካብ ቀደሙ ፍሉጥ
ተዋጋኢ እንተ ኾነ፡ እሞ ዋናኡ እንተ ዘይሐለዎ ኣብ ክንዲ ብዕራይ፡ ብዕራይ ይኽሐስ።እቲ ዝሞተ ኸኣ
ንእኡ ይኹን።

# ምዕራፍ 22

1 ሰብ ብዕራይ ወይ በጊዕ ሰሪቑ እንተ ሐረደ ወይ እንተ ሸጠ፡ ኣብ ክንዲ ብዕራይ ሓሙሽተ ብዕራይ፡
ኣብ ክንዲ በጊዕ ድማ ኣርባዕተ በጊዕ ይኽሐስ። 2 ሰራቒ ጥሒሱ ኺኣቱ ኸሎ እንተ ተረኽበ፡ ወቒዖምዎ፡
ኸኣ እንተ ሞተ፡ ዕዳ ደም የብሉን። 3 ጸሓይ እንተ በረቐቶ ግና፡ ዕዳ ደም ኣለዎ። እቲ ሰራቒ ኸኣ ዝሰረቖ
ይምለስ። ገንዘብ እንተ ሰኣነ ግን ኣብ ክንዲ እቲ ዝሰረቖ ይሸየጥ። 4 እቲ ዝሰረቖ፡ ብዕራይ ኰነ ወይ ኣድጊ
ወይ በጊዕ፡ ኣብ ኢዱ ብህይወቱ እንተ ተረኽበ፡ ካዕበት ገይሩ ይኽፈል። 5 ሰብ ግራት ወይ ኣታኽልቲ
ወይኒ እንተ ኣብልዔ፡ ማሉ ፈንዩ ናብ ግራት ካልእ ይብላዕ እንተ ሐደገ፡ ካብ ግራቱ እታ ዝበለጸት፡ ካብ
ኣታኽልቲ ወይኑ ኸኣ እታ ዝበለጸት ይኽሐስ። 6 ሓዊ ወጺኡ ሓጹር እንተ ረኸበ፡ እሞ ቕሚጦ ወይ
ዘይዕጹድ ወይ ግራት እንተ በልዔ፡ እቲ ሓዊ ዘንደደ ኻሕሳ ይኽሐስ። 7 ሰብ፡ ገንዘብ ወይ ኣቕሓ ኣብ፡
ጐረቤት ኺሕለወሉ ሕድሪ እንተ ሀቦ እሞ ካብ ቤት እቲ ሰብ እንተ ተሰርቀ፡ እቲ ሰራቒ ኸኣ እንተ
ተረኽበ፡ ካዕበት ገይሩ ይኽሐስ። 8 እቲ ሰራቒ እንተ ዘይተረኽበ፡ እቲ በዓል ቤት ናብ ቅድሚ ኣምላኽ
ይቕረብ፡ ኢዱ ናብ ገንዘብ ብጻዩ ኸም ዘይዘርግሐ ይምሐል። 9 ብዝኾነ ነገር እንተ ኸሰሰ፡ ብዛዕባ
ብዕራይ ኰነ፡ ኣድጊ ኾነ፡ በጊዕ ኰነ፡ ክዳን ኰነ ወይ ማንም ዝጠፍኤ ኣቕሓ፡ እቲ ሓደ፡ እዚ እዩ፡ እንተ
በለ፡ ነገር ክልቲኦም ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ይምጻእ። እቲ ኣምላኽ ዝፈረዶ ንብጻዩ ኻዕበት ይኽሐሶ። 10
ሰብ ኪሕልወሉ ኢሉ፡ ኣድጊ ወይ ብዕራይ ወይ በጊዕ ወይ ዝኾነ እንስሳ፡ ሕድሪ እንተ ሀቦ፡ ንሱ ኸኣ

እንተ ሞተ፡ ወይ እንተ ተሰብረ፡ ወይ ዝረኣዮ ዜልቦ እንተ ተዘምተ፡ [11] ናብ ገንዘብ ብጻዩ ኢዱ ኸም
ዘይዘርግሐ ኣብ መንጎ ኽልቲኦም ማሕላ እግዚኣብሄር ይኹን። እቲ ዋናኡ ድማ ማሕላ ይቀበል፡ እቲ
ኸኣ ኣይኽሐስ። [12] ካብኡ እንተ ተሰርቀ ግና፡ ነቲ ዋናኡ ይተክኣሉ። [13] ኣራዊት እንተ በትበቶ ኸኣ፡ ነቲ
እተበትበተ ንምስክር ኪኸውኖ የምጽኣዮ፡ ተኸኣ ግና ኣይሀብ። [14] ሰብ ካብ ብጻዩ ገለ እንተ ለመነ፡ ዋናኡ
ኸየሎ ኸኣ እንተ ተሰብረ ወይ እንተ ሞተ፡ ካሕሳ ይኽሐሶ። [15] እቲ ዋና ምስኡ እንተ ነበረ ግና፡
ኣይኽሐስ፡ ተኻርዩ እንተ ኾነ፡ ብኽራዩ ኣትዩ እዩ። [16] ሰብ ዘይተሐጽየት ጓል እንተ ኣስሐተ፡ እሞ ምስኣ
እንተ ደቀሰ፡ ሰበይቱ ኽትከውን ገዝሚ የግዝማ። [17] ኣቦኣ፡ ኣይህበካን፡ ኢሉ እንተ ኸልኦ፡ ከም ገዝሚ
ኣዋልድ ገንዘብ ይኽፈል። [18] ንጠንቋሊት ብህይወት ኣይትሕደጋ። [19] ምስ እስስሳ ዚድቅስ ኵሉ ሞት
ይሙት። [20] ብጀካ ንእግዚኣብሄር ጥራይ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ዚስውእ ይጽነት። [21] ንስኻትኩም ከኣ ኣብ
ምድሪ ግብጺ ስደተኛታት ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ንስድተኛ ኣይትዐምጾ ወይ ኣይትጽቀጦ። [22]
ንመበለታትን ንዘኽታማትን ዘበሉ ኣይትግፍዕዎም። [23] እንተ ገፋዕካዮም፡ እሞ ኣባይ እንተ ጠርዑ፡
ጥርዓኖም ኣጸቢቐ ኽሰምዕ እየ። [24] ኵራይ ይነድድ እሞ፡ ብሴፍ እቐትለኩም። ሽዑ ኣንስትኹም
መበለታት፡ ደቕኹም ከኣ ዘኽታማት ይኾኑ። [25] ካብ ህዝበይ ምሳኻ ንዚነብር ድኻ ገንዘብ እንተ
ኣለቃሕካ ከም በዓል ሓረጣ ኣይትኹኖ ሓረጣውን ኣይትጽዐኖ። [26] ክዳን ብጻይካ እንተ ሐዝካ ጸሓይ
ከይዐረበት ምለሰሉ። [27] እቲ ስጋኡ ዚኸድነሉ ኽዳኑ፡ ንሱ ጥራይ እዩ እሞ፡ ብምንታይ ኪድቅስ፧
ኪኸውን ድማ እዩ፡ ኣነ መሓሪ እየ እሞ፡ እንተ ጠርዓለይ ክሰምዖ እየ። [28] ንኣምላኽ ኣይትጽረፍ፡
ንመስፍን ህዝብኻ ድማ ኣይትርገም። [29] ካብ ምልኣት ሪቕካን ካብ መጽመቕ ወይንኻን ንምቕራብ
ኣይትደንጒ። ካብ ኣወዳትካ እቲ በዅሪ ንኣይ ሀበኒ። [30] ካብ ኣብዑርካን ካብ ኣባጊዕካን ድማ ከምኡ
ግበር። ሾብዓተ መዓልቲ ምስ ኣዲኡ ይጽናሕ፡ በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ንኣይ ትህበኒ። [31] ቅዱሳት ሰባት
ትኾኑኒ። ኣብ መሮር ኣራዊት ዝሐዞ ስጋ ኣይትብልዑ፡ ነኽላባት ደርብይዎ።

# ምዕራፍ 23

[1] ወረ ሓሶት ኣይተልዕል። ምስክር ሓሶት ክትከውን ኢልካ፡ ኢድካ ምስ ዓማጺ ኣይተልዕል። [2] ክፉእ
ንምግባር ደድሕሪ እቶም ብዙሓት ኣይትስዐብ። ብገለ ነገር ከኣ ደድሕሪ እቶም ብዙሓት ዘንቢልካ ፍርዲ
ንምቕናን ኣይትዛረብ። [3] ብፍርድስ ነቲ ድኻ ድማ ኣይትደንግጸሉ። [4] ብዕራይ ጸላኢኻ ወይ ኣድጉ ጠፊኡ
እንተ ረኺብካ፡ ናብኡ ምለሰሉ። [5] ኣድጊ ጸላኢኻ ኣብ ትሕቲ ጽዕነቱ ወዲቑ እንተ ርኤኻ እሞ
ከይትሕግዞስ ክትሐድጎ እንተ ሐሰብካ፡ ምስኡ ኼንኻ ኣጸቢቕካ ሐግዞ። [6] ነቲ ድኻኻ ብነገሩ ፍትሒ
ኣይተቕንነሉ። [7] ካብ ዘረባ ሓሶት ርሐቕ። ኣነ ንረሲእ ኣየጽድቖን እየ እሞ፡ ነቲ ንጹህን ንጻድቕን
ኣይትቕተል። [8] መማለዲ ነቶም ዚርእዩ የዕውር፡ ዘረባ ጻድቃን ከኣ የቕንን እዩ እሞ፡ መማለዲ
ኣይትውሰድ። [9] ንስደተኛ ኣይትጽቀጦ፡ ንስኻትኩም ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ ስደተኛታት ኔርኩም
ኢኹም እሞ፡ ነፍሲ ስደተኛ ኸመይ ኽም ዝኾነት ትፈልጡ ኢኹም። [10] ሹድሽተ ዓመት ምድርኻ
ዝራእ፡ ፍርያታ ኸኣ ኣእቱ። [11] በታ ሳብዐይቲ ዓመት ግና ድኻ ህዝብኻ ምእንቲ ኺበልዓ፡ ትዕረፍ ሕደጋ፡
እቲ ዝተረፈ ድማ እንስሳ መሮር ይብልዓዮ። ኣብ ኣታኽልቲ ወይንኻን ኣብ ኣውሊዕካን ድማ ከምኡ
ግበር። [12] ሹድሽተ መዓልቲ ዕዮኻ ዕየ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና፡ ብዕራይካን ኣድግኻን ምእንቲ
ኪዐርፉ፡ ወዲ እታ ባርያኻን እቲ ስደተኛን ድማ ኬተንፍሱ ዕረፉ። [13] እቲ ዝበልኩኹም ኩሉ ሐልው።
ስም ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይትስመዩ፡ ካብ ኣፍካ ኣይሰማዕ። [14] ሰለስተ ሳዕ ኣብ ዓመት በዓል ግበረለይ።

[15] በቲ ምዱብ እዋን ብወርሒ ኣቢብ፡ ብእኡ ኻብ ግብጺ ወጺእካ ኢኻ እሞ፡ በዓል ቅጫ ሐሉ፡ ከምቲ
ዝኣዘዝኩኻ ሾብዓተ መዓልቲ ቅጫ ብላዕ። ጥራይ ኢዶም ከኣ ኣብ ቅድመይ ኣይረኣዩ። [16] ናይቲ ኣብ
ግራት ዝዘራእካዮ፡ ናይ ቀዳማይ ዕዮኻ በዓል ዓጺድ ሐሉ።እቲ ፍረ ዕዮኻ ኻብ ግራት ምስ ኣከብካ
ድማ፡ ኣብ መወዳእታ ዓመት ናይ ምእካብ በዓል ኣብዕል። [17] ኵሉ ወዲ ተባዕታይካ ኣብ ዓመት ሰለስተ
ሳዕ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ይምጻእ። [18] ደም መስዋእተይ ምስ ብኹዕ እንጌራ ኣይትሰውእ።
ስብሒ በዓለይ ክሳዕ ንግሆ ኣይሕደር። [19] ቀዳማይ በዅሪ ፍረ ምድርኻ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ኣምጽእ። ንማሕስእ ብጸባ ኣዲኡ ኣይተብስል። [20] ኣብ መገዲ ኺሕልወካ ናብቲ ዘዳለኽዎ ቦታ ድማ
ኬእትወካ፡ እንሆ ኣነ መልኣኽ ቀቅድሜኻ ኽልእኽ እየ። [21] ኣብ ቅድሚኡ ተጠንቀቕ፡ ድምጹ ኸኣ ስማዕ፡
ኣይተመርሮ። ስመይ ኣብኡ እዩ እሞ፡ ንበደልኩም ኣይሐድግን እዩ። [22] ድምጹ ኣጸቢቕካ እንተ ሰማዕካ፡
ኣነ ዝብለካ ዅሉ ድማ እንተ ገበርካ፡ ኣነ ንጸላእትኻ እጻልኦም፡ ንዚጻረሩኻ ድማ እጻረሮም። [23]
መልኣኸይ ቀቅድሜኻ ኪኸይድ እዩ እሞ፡ ናብ ምድሪ ኣሞራውያንን ሔታውያንን ፈረዛውያንን
ከነኣናውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን ኬእትወካ እዩ። ኣነ ድማ ከጽንቶም እየ። [24] ንኣማልኽቶም
ኣይትስገድ፡ ኣይተገልግሎም ድማ፡ ከም ግብሮም ከኣ ኣይትግበር። ብጥራስ ደኣ ኣፍርሶም፡ ኣዕኑዶም ከኣ
ሓሽምሽም ኣብል። [25] ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣገልግሉ፡ ንሱ ኸኣ እንጌራኻን ማይካን ኪባርኽልካ
እዩ። ሕማም ከኣ ካብ ማእከልካ ኽርሕቕ እየ። [26] ኣብ ሃገርካ እተዋግር ወይ መኻን ሰበይቲ
ኣይትርከብን። ፍቕዲ መዓልትታትካ ድማ ክመልኦ እየ። [27] ናብቶም እትመጾም ኵሎም ህዝብታት
መፍርሄይ ቀቅድሜኻ ኽሰድድ፡ ከሽብሮም ድማ እየ። ንዅሎም ጸላእትኻ ኸኣ ካባኻ ከም ዚሀድሙ
ኽገብሮም እየ። [28] ንሃዋውያንን ንከነኣናውያንን ንሔታውያንን ካብ ቅድሜካ ዚሰጉ ተናኸስቲ ጽንጽያ
ቀቅድሜኻ ኽሰድድ እየ። [29] እታ ምድሪ ምእንቲ ኸይትባድም፡ ኣራዊት መሮር ከኣ ከይበዝሑኻ፡
ብሓንቲ ዓመት ካብ ቅድሜካ ኣይሰጎምን እየ። [30] ተፋሪኻ ነታ ምድሪ ኽሳዕ እትወርሳ በብቕሩብ ካብ
ቅድሜኻ ኽሰጎም እየ። [31] ነቶም ኣብታ ምድሪ ዚነብሩ ኣብ ኣእዳውኩም ክህበኩም እየ፡ ካብ ቅድሜኻ
ኸኣ ክትሰጎም ኢኻ እሞ፡ ሽዑ ዶብካ ኻብ ባሕሪ ኤርትራ ኽሳዕ ባሕሪ ፍልስጥኤም፡ ካብ በረኻ ድማ
ክሳዕ እቲ ርባ ኽገብሮ እየ። [32] ምሳታቶም ኰነ ምስ ኣማልኽቶም ኪዳን ኣይትእቶ። [33] ንኣማልኽቶም
እንተ ኣገልገልካ፡ ኣዚ መፈንጠራ ኪኾነካ እዩ እሞ፡ ንኣይ ንምብዳል ምእንቲ ኸየስሕቱኻስ ኣብ
ምድርኻ ኣይንበሩ።

## ምዕራፍ 24

[1] ንሙሴ ኸኣ፡ ንስኻን ኣሮንን ናዳብን ኣቢሁን ሰብዓ ኻብ ዓበይቲ እስራኤል ኳንኩም፡ ናብ
እግዚኣብሄር ደይቡ። ኣብ ርሑቕ ኳንኩም ድማ ስገዱ። [2] ሙሴ ኸኣ በይኑ ናብ እግዚኣብሄር ይቕረብ፡
ንሳቶም ግና ኣይቕረቡ፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ ምስኡ ኣይደይቡ፡ በሎ። [3] ሙሴ ድማ መጺኡ ነቶም ህዝቢ
ዅሉ ዘረባ እግዚኣብሄር ኵሉ ሕጋጋትን ነገሮም። ኵሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ብሓደ ደሃይ፡ እግዚኣብሄር
እተዛረቦ ዅሉ ቓላት ንገብር፡ ኢሎም መለሱ። [4] ሙሴ ድማ ንዅሉ ቓል እግዚኣብሄር ጸሐፎ። ንጽባሒቱ
ኸኣ ኣንጊሁ ተንሲኡ ኣብ እግሪ እቲ ኸረን መሰውኢ፡ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ድማ
ዓሰርተው ክልተ ሓወልቲ ሰርሔ። [5] ካብ ደቂ እስራኤል ከኣ ኣጕባዝ፡ ዚሐርር መስዋእቲ ኺስውኡ፡ ካብ
ዝራብዓት ድማ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ምስጋና ኬቕርቡ፡ ሰደደ። [6] ሙሴ ድማ ፈረቓ እቲ ደም ወሲዱ
ኣብ ጭሔሎታት ገበሮ፡ ፈረቓ እቲ ደም ከኣ ናብ መሰውኢ ነጸጎ። [7] ነቲ መጽሓፍ ኪዳን ወሲዱ ድማ

ኣብ እዝኒ እቶም ህዝቢ ኣንበቦ። ንሳቶም ከኣ፡ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኹሉ ንገብር፡ ንእዘዝ ድማ፡ በሉ። 8
ሙሴ ከኣ ነቲ ደም ወሲዱ ናብ ህዝቢ ነጻገ እሞ፡ እቲ ደም ኪዳን እግዚኣብሄር ብኹለን እዘን ቃላት
እዚኤን ምሳኻትኩም ዝገበሮ እንሆ፡ በለ። 9 ሙሴን ኣሮንን ናዳብን ኣቢሁን ካብ ዓበይቲ እስራኤል ድማ
ሰብዓ ኾይኖም ደየቡ። 10 ንኣምላኽ እስራኤል ከኣ ረኣይዎ። እቲ ትሕቲ እግሩ ድማ ብብሩህ ሰፊሮስ
ከም እተገብረ ምድሪ ቤት፡ ምጽራዩ ኸኣ ከም ሰማይ ነበረ። 11 ኢዱ ናብቶም ሕሩያት ደቂ እስራኤል
ኣይዘርግሐን፡ ንሳቶምሲ ንኣምላኽ ደኣ ረኣዩ፡ በልዑን ሰተዩን ከኣ። 12 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ናባይ
ኣብዚ ኸረን ደይብ፡ ኣብኡ ኸኣ ጽናሕ፡ ጽላት እምንን እቲ ኽትምህሮም ኢለ ዝጸሐፍክዎ ሕግን
ትእዛዝን ክህበካ እየ፡ በሎ። 13 ሙሴን እያሱ ግልያኡን ድማ ተንስኡ፡ ሙሴ ኸኣ ናብ ከረን ኣምላኽ
ደየበ። 14 ነቶም ዓበይቲ ድማ፡ ናባኻትኩም ክሳዕ እንምለስ፡ ኣብዚ ጽንሑና። እንሆ ኸኣ፡ ኣሮንን ሁርን
ምሳኻትኩም ኣለዉ፡ ገለ ነገር ዘለዎ፡ ናባታቶም ይምጻእ፡ በሎም። 15 ሙሴ ድማ ናብ ከረን ደየበ፡ ነቲ
ኸረን ከኣ ደበና ኣጒልበቦ። 16 ክብሪ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ከረን ሲና ተቐመጠ፡ እቲ ደበና ኸኣ
ሹድሽተ መዓልቲ ኣጒልበቦ። በታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ድማ ንሙሴ ኻብ ማእከል እቲ ደበና ጸውዖ። 17
ትርኢት ክብሪ እግዚኣብሄር ድማ ነዒንቲ ደቂ እስራኤል ከም ዚባላዕ ሓዊ ኰይኑ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ኸረን
ተራእየ። 18 ሙሴ ኸኣ ናብ ማእከል ደበና ኣተወ ናብቲ ኸረንውን ደየበ። ሙሴ ኣብቲ ኸረን ኣርብዓ
መዓልቲን ኣርብዓ ለይትን ገበረ።

## ምዕራፍ 25

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል መባእ ኪህቡኒ ተዛረቦም፡ እቲ
መባኤይ ከኣ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ብልቡ ኺህብ ዝፈተወ ውሰዱ። 3 እቲ ኻባታቶም እትወስድዎ መባእ
ድማ እዚ እዩ፡ ወርቅን ብሩርን ኣስራዝን፡ 4 ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ጻዕዳ ፈትልን፡ ጸጕሪ
ጤልን ድማ፡ 5 እተቐርጸ ቈራብቲ ደዓውልን ቈራብቲ ተሃስን፡ ዕንጨይቲ ሽጢምን፡ 6 ዘይቲ ንቐንዴል፡
ቀመማት ንመቐብኢ ዚኸውን ዘይቲ፡ ንጥዑም ዝጨናኡ ዕጣን ድማ፡ 7 ኣእማን ዕንቍን፡ ንኤፎድን
ንሳንቃ ኣፍ ልብን ዚዛነቕ ኣእማንን። 8 ኣብ ማእከሎም ምእንቲ ኽነብር ድማ መቕደስ ይግበሩለይ። 9
ከምቲ ኹሉ ኣነ ዘርእየካ ምስሊ እቲ ማሕደርን ምስሊ ኹሉ ኣቓሑኡን፡ ከምኡ ግበርዎ። 10 ታቦት ድማ
ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ይግበሩ፡ ምንዋሑ ኽልተ እመትን ፈረቓን፡ ምግፋሑ ኸኣ እመትን ፈረቓን፡
ምብራኹውን እመትን ፈረቓን ይኹን። 11 ብጽሩይ ወርቂ ኸኣ ለብጦ፡ ውሽጡን ግዳሙን ለብጦ።
ላዕላዩ ኸኣ ብዙርያኡ ኣኽሊል ወርቂ ግበረሉ። 12 ኣርባዕተ ቐለቤት ወርቂ ኣፍሲስካ ድማ ኣብ ኣርባዕቲኡ
እግሩ ግበር፡ ክልተ ቐለቤት ብሓደ ሸነኹ፡ ክልተ ቐለቤት ከኣ ብኻልኣይ ሸነኹ። 13 ካብ ዕጨይቲ
ሽጢም መሰላታት ግበር እሞ ብወርቂ ለብጦ። 14 እቲ ታቦት ብእኡ ምእንቲ ኺጽወርሲ፡ ነቲ መሰላታት
ናብቲ ኣብ ጎቦታት ታቦት ዘሎ ቐላብቲ ኣእትዎ። 15 እቲ መሰላታት ኣብቲ ቐላብቲ ታቦት ይቀመጥ
እምበር፡ ካብኡ ኣይውጻእ። 16 ነቲ ኣነ ዝህበካ ምስክር ኣብቲ ታቦት ከተንብሮ ኢኻ። 17 መኽደን
መተዓረቒ ድማ ካብ ጽሩይ ወርቂ ግበር፡ ምንዋሑ ክልተ እመትን ፈረቃን፡ ምግፋሑ ኸኣ እመትን
ፈረቓን ይኹን። 18 ክልተ ኪሩቤል ድማ ካብ ወርቂ ኽትገብር ኢኻ። ቀጥቂጥካ ትሰርሖም እሞ ኣብ
መኽደን መተዓረቒ ኣብ ክልተ ወሰኑ ትገብሮም። 19 ሓደ ኪሩቤል ኣብ ሓደ ወሰን፡ ካልኣይ ኪሩቤል ከኣ
ኣብቲ ኻልኣይ ወሰን ግበሮም። ነቶም ኪሩቤል፡ ምስቲ መኽደን መተዓረቒ ሓደ ኾይኑ፡ ብኽልተ ወሰኑ
ግበርዎም። 20 እቶም ኪሩቤል ከኣ ንሓድሕዶም ገጽ ንገጽ መሊሶም ኣኽናፎም ልዕል ኣቢሎም

ይዘርግሑ፡ ነቲ መኸደን መተዓረቒ ድማ በኽናፎም ይኸውልዎ። ገጽ እቶም ኪሩቤል ናብቲ መኸደን መተዓረቒ የብል። [21] ነቲ መኸደን መተዓረቒ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ታቦት ግበሮ። እቲ ኣነ ዝህበካ ምስክር ከኣ ኣብቲ ታቦት ኣንብሮ። [22] ኣብኡ ድማ ንኣኻ ኽግለጸልካ እየ፡ ካብቲ መኸደን መተዓረቒ ኻብ መንጎ እቶም ኣብ ልዕሊ ታቦት ምስክር ዘለው ኽልተ ኪሩቤል እቲ ንደቂ እስራኤል ኢለ ዝእዝዘካ ዅሉ ኽነግረካ እየ። [23] ሰደቓ ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ግበር፡ ምንዋሑ ኽልተ እመት ምግፋሑ ኸኣ ሓደ እመት ምብራኹውን እመትን ፈረቓን ይኹን። [24] ብጽሩይ ወርቂ ለብጦ፡ ብዙርያኡ ኸኣ ኣኽሊል ወርቂ ግበረሉ። [25] ዙርያኡ ድማ ጋት ዝምግፋሑ ኽቡስ ግበረሉ፡ ነቲ ኽቡስ ከኣ ኣብ ዙርያኡ ኣኽሊል ወርቂ ግበረሉ። [26] ኣርባዕተ ቐለቤት ወርቂ ድማ ግበረሉ፡ ነቲ ቐላብቲ ኸኣ ኣብቲ ኣርባዕተ እግሪ ዘለዎ ኣርባዕተ መኣዝኑ ግበሮ። [27] እቲ ቐላብቲ ድማ፡ ንምጽዋር እቲ ሰደቓ መሰላታት ኪኣትዎ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ኽቡስ ይኹን። [28] እቲ ሰደቃ ብእኡ ኺጽወርሲ፡ መሰላታት ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ግበር እሞ ብወርቒ ለብጦ። [29] ድማ ዚኽዕዉሉ ጻሕልታቱን ጭሔሎታቱን ኵስኵስትታቱን ጽዋኣቱን ግበር፡ ካብ ጽሩይ ወርቂ ግበሮ። [30] ኣብቲ ሰደቓ ድማ ወርትግ እንጌራ ምርኣይ ኣብ ቅድመይ ተንብር። [31] ቀዋሚ ቐንዴል ድማ ካብ ጽሩይ ወርቂ ግበር። እቲ ቐዋሚ ቀንዴል ምስ እግሩን ዘንጉን ብምቕጥቃጥ ይገበር። ጽውኣቱን ከበብቱን ዕምባባታቱን ምስኡ ብሓደ ይኹን። [32] ካብ ጎቦታቱ ሹድሽተ ጨንፈር ይውጻእ፡ ካብቲ ቐዋሚ ቐንዴል ብሓደ ጎቦኡ ሰለስተ ጨንፈር፡ ካብቲ ቐዋሚ ቐንዴል ብኻልኣይ ጎቦኡ ድማ ሰለስተ ጨንፈር ይውጻእ። [33] ኣብ ሓደ ጨንፈር ዕምባባ ለውዚ ዚመስል ሰለስተ ጽዋእ መምስ ከበብን ዕምባባን፡ ኣብቲ ካልኣይ ጨንፈር ድማ ከምኡ ዕምባባ ለውዚ ዚመስል ሰለስተ ጽዋእ መምስ ከበብን ዕንባባን። ነቲ ኻብቲ ቀዋሚ ቐንዴል ዚወጽእ ሹድሽተ ጨንፈር ከምኡ ይገበሮ። [34] ኣብቲ ቐዋሚ ቐንዴል ከኣ ዕምባባ ለውዚ ዚመስል ኣርባዕተ ጽዋእ መምስ ከበብን ዕምባባን ይገበሮ። [35] ኣብ ትሕቲ እቲ ካብኡ ዚወጽእ ክልተ ጨንፈር ከበብ፡ ድማ ኣብ ትሕቲ እቲ ካብኡ ዚወጽእ ክልተ ጨንፈር ከበብ፡ ድማ ኣብ ትሕቲ እቲ ኻብኡ ዚወጽእ ክልተ ጨንፈር ከበብ፡ እሞ ነቲ ኻብ ቀዋሚ ቐንዴል ዚወጽእ ሹድሽተ ጨንፈር ከምኡ ይኹን። [36] ከበብቱን ጨናፍሩን ምስኡ ብሓደ ይኹን፡ ኵሉ ኻብ ጽሩይ ወርቂ ብምቕጥቃጥ ብሓደ እተሰርሐ ይኹን። [37] ንእኡ ድማ ሾብዓተ ቐልዒ ቐንዴል ስርሓሉ። እቲ ቐልዒ ቐንዴል ከኣ ንቕድሚት ኣቢሉ ከም ዜብርህ ኣብ ልዕሊኡ ይነበር፡ [38] መሳቐይኡን መዋህለል ርስሓቱን ከኣ ካብ ጽሩይ ወርቂ ይኹን። [39] ንሱ፡ ምስ እዚ ዅሉ ኣቓሑ እዚ፡ ብሓደ ታለንት ጽሩይ ወርቂ ይገበር። [40] ከምቲ ኣብቲ ኽረን እተራእየካ ምስልታቱ ኽትገብሮ ኸኣ ጠምቶ።

# ምዕራፍ 26

[1] ብዓሰርተ ዓለባታት ማሕደር ግበር። ምስ ናይ ብብልሓት ፈላጥ እተገብረ ኪሩቤል ጌርካ፡ ካብ እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ግበሮ። [2] ምንዋሕ እቲ ሓደ ዓለባ ዕስራን ሸሞንተን እመት፡ ወርዲ እቲ ሓደ ዓለባ ኸኣ ኣርባዕተ እመት ይኹን። ስፍሪ ዅሉ እቲ ዓለባታት ማዕረ ይኹን። [3] እቲ ሓሙሽተ ዓለባታት ብሓደ ይጋጠም፡ ከምኡ ኸኣ እቲ ሓሙሽተ ዓለባታት ብሓደ ይጋጠም። [4] ኣብቲ ብሓደ እተጋጠመ ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ብሰማያዊ ፈትሊ መኸንትቦታት ግበር። ኣብቲ ኻልኣይ እተጋጠመ ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ኸኣ ከምኡ ግበር። [5] ኣብቲ ሓደ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ግበር። ኣብቲ ኻልኣይ እተጋጠመ ኸኣ፡ ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ግበር። እቲ መኸንትቦታት ንሓድሕዱ መጣምቲ ይኹን። [6] ሓምሳ መቘለፊ ወርቂ ድማ ግበር።

እቲ ማሕደር ሓደ ኪኸውንሲ፡ ነቲ ዓለባታት በቲ ኣቝላፍ ንሓድሕዱ ኣጋጥሞ። [7] ኣብ ልዕሊ እቲ
ማሕደር ዚድረብ ድማ ካብ ጸጕሪ ጤል ዓለባታት ግበር። እቲ ዓለባታት ከኣ ዓሰርተው ሓደ ግበሮ። [8]
ምንዋሕ ሓደ ዓለባ ሰላሳ እመት፡ ወርዱ ኸኣ ኣርባዕተ እመት ይኹን። እቲ ዓሰርተው ሓደ ዓለባ ስፍሩ
ማዕረ ይኹን። [9] ሓሙሽተ ኻብቲ ዓለባ ብሓደ ጌርካ ኣጋጥሞ። ከምኡ ከኣ እቲ ሹድሽተ ዓለባ ብሓደ
ይኹን። እቲ ሳድሳይ ዓለባ ብሸነኽ ቅድሚት እቲ ድንኳን ደርቦ። [10] ኣብቲ ሓደ እተጋጠመ፡ ኣብ ጥርዚ
እቲ ወሰናይ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ግበር። ኣብቲ ኻልኣይ እተጋጠመ ድማ ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ
ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ግበር። [11] ካብ ኣስራዚ ኸኣ ሓምሳ መቘለፊ ግበር፡ ነቲ ኣቝላፍ ናብቲ
መኸንትቦታት ኣእትዎ፡ እቲ መደረብታ ሓደ ኪኸውን ኣጋትሞ። [12] ካብቲ ናይ መደረብታ ዓለባታት
ድንኳን ዝተረፈ ሕልፊ ፈርቓ እቲ ዝሓለፈ ዓለባ ብድሕርቲ ማሕደር ይጀርበብ። [13] እቲ ኻብ ምንዋሕ
ናይቲ መደረብታ ዓለባታት ድንኳን ዝሓለፈ፡ ምእንቲ ኪኸድኖ፡ ብኽልተ ሸነኹ፡ እመት በዚ እመት
በቲ፡ ነቲ ማሕደር በዝን በትን ይጀርበብ። [14] ነቲ መደረብታ ኸኣ ካብ እተቐርጸ ቈራብቲ ደዓውል
መኸደን ግበረሉ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ ካብ ቈርበት ታሃስ መኸደን ግበር። [15] ነቲ ማሕደር ድማ ደው
ዚብል ኣልዋሕ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ግበረሉ። [16] ምንዋሕ ሓደ ሉሕ ዓሰርተ እመት፡ ምግፋሕ ሓደ ሉሕ
ከኣ እመትን ፈረቓን ይኹን። [17] ነንሓደ ሉሕ ከክልተ ንሓድሕዱ እተጋጠመ ሸኻል ይገበሮ። ንዅሉ
ኣልዋሕ እቲ ማሕደር ከምኡ ግበሮ። [18] ነቲ ማሕደር ከኣ ኣልዋሕ ግበርሉ፥ ዕስራ ሉሕ ብሸነኽ ደቡብ
ግበር። [19] ኣብ ትሕቲ እቲ ዕስራ ሉሕ ድማ ካብ ብሩር ኣርብዓ እግሪ ግበር፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሉሕ ነቲ
ኽልተ ሸኻል ክልተ እግሪ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ኻልእ ሉሕ ከኣ ነቲ ኽልተ ሸኻል ክልተ እግሪ ግበረሉ። [20]
በቲ ኻልኣይ ወገን ነቲ ማሕደር ብሸነኽ ሰሜን ድማ ዕስራ ሉሕ፡ [21] እቲ ኣርብዓ ናይ ብሩር እግሩ ኸኣ፡
ኣብ ትሕቲ ሓደ ሉሕ ክልተ እግሪ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ኻልእ ሉሕ ድማ ክልተ እግሪ ግበር። [22] ብድሕሪ
እቲ ማሕደር ብሸነኽ ምዕራቡ ሹድሽተ ሉሕ ግበር። [23] ነቲ ማሕደር ብሸነኽ ድሕሪኡ ድማ ንመኣዝኑ
ኽልተ ሉሕ ግበረሉ። [24] እዚ ኻብ ታሕቲ ጀሚሩ ድርብ ይኹን፡ ክሳዕ ላዕሊ ክሳዕ እቲ ቐዳማይ ቀለቤት
ብምሉኡ ኸምኡ ይኹን። ክልቲኡ ኸምኡ ይኹን። ኣብ ክልቲኡ መኣዝን ይኹን። [25] እቲ ኣልዋሕ
ሸሞንተ፡ እቲ ናይ ብሩር ኣእጋሩ ኸኣ ዓሰርተው ሽዱሽተ እግሪ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሉሕ ክልተ እግሪ፡ ኣብ
ትሕቲ እቲ ኻልእ ሉሕ ድማ ክልተ እግሪ ይኹን። [26] ጋድማት ከኣ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ግበር፥ ብሓደ
ሸነኽ እቲ ማሕደር ንዘሎ ኣልዋሕ ሓሙሽተ፡ [27] ብኻልኣይ ሸነኽ ኣቲ ማሕደር ንዘሎ ኣልዋሕ ድማ
ሓሙሽተ ጋድም፡ ብድሕሪ እቲ ማሕደር ብሸነኽ ምዕራብ ንዘሎ ኣልዋሕ ከኣ ሓሙሽተ ጋድም ግበር። [28]
እቲ ኣብ ማእከል እቲ ኣልዋሕ ዘሎ ማእከላይ ጋድም ካብቲ ሓደ ወሰን ክሳዕ እቲ ኻልኣይ ወሰን
ይሕለፍ። [29] ነቲ ኣልዋሕ ድማ ብወርቂ ለብጦ፡ እቲ ጋድማት ዚኣተዎ ቐላብቱ ኸኣ ካብ ወርቂ ግበሮ።
ነቲ ጋድማትውን ብወርቂ ለብጦ። [30] ነቲ ማሕደር ከምቲ ኣብቲ ኸረን ዝረኤኻዮ ኣሰራርሓኡ ጌርካ
ኽትተኽሎ ኢኻ። [31] ድማ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ጌርካ፡
መጋረጃ ግበር፡ ምስ ብብልሓት ኣተገብረ ኪሩቤል ይገበር። [32] ብወርቂ ኣብ እተለበጠ መሰቓቕሊ ወርቂ
ዘለዎ፡ በርባዕተ እግሪ ብሩር ደው ዝበለ፡ ኣርባዕተ ዓንዲ ሽጢም ጌርካ ስቐሎ። [33] ነቲ መጋረጃ ኸኣ ኣብ
ትሕቲ እቲ ኣቝላፍ ስቐሎ፡ ነቲ ታቦት ምስክር ድማ ናብ ውሽጢ እቲ መጋረጃ ኣእትዎ። እቲ መጋረጃ
ኸኣ ኣብ መንጎ ቅድስትን ቅድስተ ቅዱሳንን ይፍለየልኩም። [34] ነቲ መኸደን መተዓረቒ ድማ ኣብቲ
ቅድስተ ቅዱሳን ኣብ ልዕልሊ ታቦት ምስክር ግበሮ፡ [35] ነቲ ሰደቓ ከኣ ኣብ ወጻኢ መጋረጃ ኣንብሮ፡ ነቲ
ቐዋሚ ቐንዴል ድማ ኣብ መንጽር ሰደቓ፡ ነቲ ማሕደር ብሸነኽ ደቡቡ፡ ነቲ ሰደቓ ኸኣ ብሸነኽ ሰሜኑ
ግበሮ። [36] ነቲ ኣፍ ድንኳን ድማ ብሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን

ብምጥላፍ እትዐየ መጋረጃ ግበር። 37 ነቲ መጋረጃ ኸኣ ሓሙሽተ ዓንዲ ሽጢም ግበረሉ ብወርቂ ድማ
ለብጦ፡ መሰቓቐሊኡ ኸኣ ካብ ወርቂ ይኹን። ካብ ኣስራዚ ድማ ሓሙሽተ እግሪ ብፍሲ ግበረሉ።

## ምዕራፍ 27

1 መሰውኢ ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ሓሙሽተ እመት ዝምንዋሑ፡ ሓሙሽተ እመት ዝምግፋሑ
ግበር።እቲ መሰውኢ ኣርባዕቲኡ መኣዝኑ ማዕረ፡ ምብራኹ ድማ ሰለስተ እመት ይኹን። 2 ኣቕርንቱ ከኣ
ኣብ ኣርባዕተ መኣዝኑ ግበረሉ፡ እቲ ኣቕርንቱ ምስኡ ብሓደ እተገብረ ይኹን፡ በስራዚ ኸኣ ለብጦ። 3
ንሓመኹስቱ ዚኸውን ቍራዕን፡ መጽሓርያኡን ጭሕሎኡን መውግእ ስጋኡን ምድጃኡን ግበር፡ እዚ
ኹሉ ኣቓሑኡ ኻብ ኣስራዚ ግበሮ። 4 ካብ ኣስራዚ ኽም መንፊት ዝበለ መጋረዲ ግበረሉ፡ ነቲ መንፊት
ከኣ ኣብ ኣርባዕተ መኣዝኑ ኣርባዕተ ቐለቤት ኣስራዚ ግበረሉ። 5 ንእኡ ድማ ኣብ ትሕቲ ኣርከን መሰውኢ
ግበሮ፡ እቲ መንፊት ካብ ታሕቲ ኽሳዕ ፈረቓ መሰውኢ ይብጻሕ። 6 ነቲ መሰውኢ ድማ መሰላታት
ግበረሉ፡ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም መሰላታት ጌርካ በስራዚ ለብጦ። 7 እቲ መሰውኢ ምስ ዚጽወር፡ እቲ
መሰላታት ከኣ ብኽልተ ሸነኹ ኪኸውን፡ ናብቲ ቐላብቲ ይእቶ። 8 ጓንጓ ጌርካ ኻብ ሉሕ ግበሮ። ከምቲ
ኣብ ከረን እተራእየካ ከምኡ ይግበርዎ። 9 ነቲ ማሕደር ኣጸድ ግበረሉ፡ ነቲ ኣጸድ ብሸነኽ ደቡብ ነቲ ሓደ
ወገኑ፡ ብእተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕ ሚእቲ እመት ዝምንዋሑ መጋረጃታት ግበር። 10 ኣዕኑድ ድማ
ዕስራ፡ ኣእጋሩውን ካብ ኣስራዚ ዕስራ፡ ናይቲ ኣዕኑድ መሰቓቐልን ኣዛንጉን ከኣ ካብ ብሩር ይኹን። 11
ከምኡ ድማ በቲ ነዊሕ ሸነኽ ሰሜን ሚእቲ እመት ዝምንዋሑ መጋረጃታት፡ ኣዕኑድ ኸኣ ዕስራ፡
ኣእጋሩውን ካብ ኣስራዚ ዕስራ፡ ናይቲ ኣዕኑድ መሰቓቐልን ኣዛንጉን ከኣ ካብ ብሩር ይኹን። 12 ብወርዱ
ነቲ ኣጸድ ብሸነኽ ምዕራብ ድማ ሓምሳ እመት ዝምንዋሑ መጋረጃታት፡ ኣዕኑድ ከኣ ዓሰርተ፡
ኣኣጋሩውን ዓሰርተ ይኹን። 13 ምግፋሕ እቲ ኣጸድ ብቕድሚት ብሸነኽ ምብራቕ ድማ ሓምሳ እመት
ይኹን፡ 14 ናይቲ ሐደ ሸነኽ መጋረጃታት ዓሰርተው ሓሙሽተ እመት፡ ኣዕኑድ ሰለስተ፡ ኣኣጋሩ ኸኣ
ሰለስተ ይኹን። 15 በቲ ኻልኣይ ሸነኽ ድማ ዓሰርተው ሓሙሽተ እመት ዝምንዋሑ መጋረጃታት፡ ኣዕኑድ
ሰለስተ ኣእጋሩ ከኣ ሰለስተ ይኹን። 16 ንኣፍ እቲ ኣጸድ ድማ ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን
እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ብምጥላፍ እተዐየ ዕስራ እመት መጋረጃ፡ ኣዕኑድ ኣርባዕተ ኣእጋሩ ኸኣ
ኣርባዕተ ይኹን። 17 ነቲ ኣብ ዙርያ ኣጸድ ዘሎ ኹሉ ኣዕኑድ ኣዛንግ ብሩርን መሰቓቐሊ ብሩርን ይገበሮ፡
ኣእጋሩ ኸኣ ካብ ኣስራዚ ይኹን። 18 ምንዋሕ እቲ ኣጸድ ሚእቲ እመት፡ ምግፋሑ ኸኣ ብኽልቲኡ ሸነኽ
ሓምሳ እመት፡ ቍመቱ ድማ ሓሙሽተ እመት ይኹን፡ ካብ እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕ ኣኣጋሩ ኸኣ
ካብ ኣስራዚ ይኹን። 19 ኩሉ ኣቓሑ እቲ ማሕደርን ንመተዓየዪኡ ዚኸውን ኩሉን፡ ኩሉ ሸኻውልቲ
ኣጸድን ካብ ኣስራዚ ይኹን። 20 ንስኻ ድማ፡ እቲ መብራህትታት ወርትግ ምእንቲ ኺበርህሲ፡ ካብ
እተጐድኤ ኣውልዕ ንመብራህቲ ዚኸውን ጽሩይ ዘይቲ ኺምጽኡልካ፡ ንደቂ እስራኤል ኣዝዞም። 21
ኣብቲ ድንኳን ምርኻብ ብወጻኢ እቲ ኣብ ቅድሚ ምስክር ዘሎ መጋረጃ፡ ኣሮንን ደቁን፡ ካብ ምሸት ክሳዕ
ብጊሓት፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የዳልውዎ። ኣብ ደቂ እስራኤል ከኣ ንውሉድ ወለዶኦም ሕጊ
ዘለኣለም ይኹን።

## ምዕራፍ 28

1 ንስኻ ከኣ ንሓውካ ኣሮን፡ ደቁ ድማ ምስኡ፡ ኣሮን ደቂ ኣሮን ከኣ፡ ናዳብን ኣቢሁን ኣልኣዛርን
ኢታማርን፡ ካህናት ኪኹኑኒ፡ ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ናባኻ ኣቕርቦም። 2 ንኣሮን ሓውኻ ድማ
ንኽብርን ንጌጽን ዚኸውን ቅዱሳት ኣልባስ ግበረሉ። 3 ንስኻ ድማ ነቶም መንፈስ ጥበብ ዝመላእክዎም፡
ብልቦም ፈላጣት ዝኾኑ ዅሎም ንኣሮን፡ ካህነይ ንምዃን ኪቕደስ፡ ኣልባስ ኪገብሩሉ ንገሮም። 4-5 እቲ
ዚገብርዎ ኣልባስ ከኣ እዚ ኣዩ፡ ሳንቃ ኣፍ ልብን ኤፉድን ቀሚሽ ላዕልን ዓንጥዓንጥራይ ቀሚሽ ታሕትን
መጠምጠምያን ቅናትን፡ እሞ ካህነይ ኪኸውንሲ፡ ንሳቶም ወርቅን ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ
ቀይሕን ልሕጺ እንጣጢዕን ወሲዶም፡ ንሓውካ ኣሮንን ንደቁን ቅዱስ ኣልባስ ይግበሩሎም። 6 ነቲ ኤፉድ
ካብ ወርቅን ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ገይሮም ብብልሓት
ይግበርዎ። 7 ንምግጣሙ ብኽልተ ወሰኑ ኽልተ እተጋጠመ ኽፍሊ መንኲብ ይሀልዎ። 8 እቲ ኣብ ልዕሊኡ
ዚኸውን ብብልሓት እተገበረ ዚዕጠቐሉ ቕናት ከኣ ምስኡ ብሓደ እተጋጠመ፡ ሓደ ዓይነት ዝስራሑ፡
ካብ ወርቅን ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ይኹን። 9 ክልተ
እምኒ ኦኒክስ ውሰድ እሞ ስም ደቂ እስራኤል ቅረጸሉ። 10 ሽድሽተ ኻብ ስሞም ኣብቲ ሓደ እምኒ፡ እቶም
ዝተረፉ ሹድሽተ ስም ድማ ከከም ምላዶም ጌርካ ኣብቲ ኻልኣይ እምኒ ቕረጽ። 11 ቀራጽ እምኒ ማሕተም
ከም ዚቐርጽ፡ ከምኡ ኣብ ክልቲኡ እምኒ ስም ደቂ እስራኤል ቅረጽ። ዚሕዞ ኸኣ ትትዖ ወርቂ ኣዙረሉ።
12 ነቲ ኽልተ ኣእማን ድማ፡ ንደቂ እስራኤል ኣእማን መዘከርታ ኪኸውን፡ ኣብቲ መናኹብ ኤፉድ
ግበሮ። ኣሮን ከኣ ኣብ ክልቲኡ መንከቡ ስሞም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንመዘከርታ ይጹሮ። 13 ትትዖ
ወርቂ ድማ ግበር። 14 ካብ ጽሩይ ወርቂ ኸኣ ከም ገመድ ብምጥዋይ እተገብረ ኽልተ ሰንሰለት ግበር፡ ነቲ
እተጠውየ ሰንሰለት ምስቲ ትትዖ ግበሮ። 15 ብብልሓት እተገበረ ናይ ፍርዲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ኸኣ ግበር።
ከም ስራሕ ኤፉድ፥ ካብ ወርቅን ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ
እንጣጢዕ ግበሮ። 16 ኣርባዕተ መኣዝኑ ማዕሪ፡ ድርብ ድማ ይኹን። ምንዋሑ ስድሪ፡ ወርዱ ኸኣ ስድሪ
ይኹን። 17 ዚዛነቕ ኣእማን፡ ኣርባዕተ መስርዕ ኣእማን ኣጥብቐሉ። ኣብ ቀዳማይ መስርዕ፡ ሳርድዮን፡
ቶጳዝዮን፡ ስመራግዶስ፡ 18 ኣብ ካልኣይ መስርዕ ከኣ፡ ሰመንጉኒ፡ ሰፊሮስ፡ ኣልማዝ። 19 ኣብ ሳልሳይ
መስርዕ ድማ፡ ህያክንቶስ፡ ኣካት፡ ኣሜቲስጦስ። 20 ኣብ ራብዓይ መስርዕ ከኣ፡ ክሪሶሊትን ኦኒክስን
ያስጲስን። ብትትዖ ወርቂ ተከቢቡ ይጥበቕ። 21 እቲ ኣእማን ድማ ከምቲ ስም ደቂ እስራኤል ዓሰርተው
ክልተ፡ ከምቲ ስሞም ይኹን። ነቶም ዓሰርተው ክልተ ነገድ፡ ነፍሲ ወከፍ ብብስሙ ኸም ቅርጺ
ማሕተም ይኹን። 22 ኣብ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ድማ ካብ ጽሩይ ወርቂ ኸም ገመድ ብምጥዋይ እተገበረ
ሰንሰለታት ግበሮ። 23 ድማ ኣብ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ኽልተ ቐለቤት ወርቂ ግበር፡ እቲ ኽልተ ቐለቤት ከኣ
ኣብ ክልተ መኣዝን ሳንቃ ኣፍ ልቢ ግበሮ። 24 ንኽልቲኡ እተጠውየ ሰንሰለት ወርቂ ኸኣ ኣብቲ ኣብ
መኣዝን ሳንቃ ኣፍ ልቢ ዘሎ ኽልተ ቐለቤት ግበሮ። 25 ንኽልቲኡ ኻልእ ኣምፊ እተጠውየ ሰንሰለት ከኣ
ምስ ክልቲኡ ትትዖ ኣተሓሒዝካ ኣብቲ መንኲብ ኤፉድ ብሸንኽ ቅድሚት ግበሮ። 26 ክልተ ቐለቤት ድማ
ካብ ወርቂ ግበር እሞ ኣብቲ ኽልተ ወሰን ሳንቃ ኣፍ ልቢ ናብ ሸንኽ ኤፉድ ዘሎ ውሽጣዊ ጥርዚ ግበሮ።
27 ክልተ ቐለቤት ወርቂ ድማ ስራሕ እሞ ኣብ ክልቲኡ መንኲብ ኤፉድ ታሕቲ ብሸንኽ ቅድሚት፡ ኣብ
ጥቓ እቲ ዚጋጠመሉ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ብብልሓት እተገበረ ቕናት ኤፉድ ግበሮ። 28 እቲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ
ኻብ ኤፉድ ከይፍለ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ብብልሓት እተገበረ ቕናት ኤፉድ ኪኸውን፡ ነቲ ቐላብቲ ሳንቃ
ኣፍ ልቢ ምስቲ ቐላብቲ ኤፉድ ብሰማያዊ ፍሕሶ ይተኣሰር። 29 ኣሮን ናብ መቕደስ ምስ ዚኣቱ፡ ነቲ ስም
ደቂ እስራኤል ኣብቲ ናይ ፍርዲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ገይሩ፡ ወርትግ ኣብ ቅድሚ እግዚብሄር ንመዘከርታ
ኪኸውን፡ ኣብ ልዕሊ ልቡ ይጹሮ። 30 ንኡሪምን ቱሚምን ድማ ኣብ ናይ ፍርዲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ግበሮ።

ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምስ ዚኣቱ ኣብ ልዕሊ ልቢ ኣሮን ይኹን፡ ኣሮን ከኣ ንፍርዲ ደቂ እስራኤል
ወትግ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ልቡ ይጹሮ። [31] ናይ ኤፎድ ቀምሽ ላዕሊ ኩለንትናኡ ኻብ
ሰማያዊ ግበሮ። [32] ኣብ ማእከሉ ድማ ንርእሲ ዜሕልፍ ኣፍ ይሀልዎ። እቲ ኣፍ ምእንቲ ኸይቅደድ፡ ኣብ
ዙርያኡ ኸምቲ ድርዒ እተኣልመ መኸፈፊ ይሀልዎ። [33] ኣብ ዙርያ ታሕታይ ዘፈሩ ኸኣ ካብ ሰማያውን
ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ሮማን ግበረሉ። ኣብ መንጎኤን ድማ ኣብ ዙርያኡ፡ ቃጽል ወርቂ ግበረሉ።
[34] እሞ ኣብ ዘፈር እቲ ቐምሽ ኣብ ዙርያኡ ቃጽል ወርቅን ሮማንን፡ ቃጽል ወርቅን ሮማንን ይኹን። [35]
ኣሮን ኣብ መቕደስ፡ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪኣቱ ኸሎን ኪወጽእ ከሎን ምእንቲ ኸይመውት፡
ኪስማዕሲ ኬገልግል ከሎ ይከደኖ። [36] ካብ ጽሩይ ወርቂ ድማ ብሊቓ ግበር፡ ኣብኡ ኸኣ ከም ቅርጺ
ማሕተም ጌርካ፥ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ፡ ዚብል ቅረጽሉ። [37] ብሰማያዊ ፍሕሶ ጌርካ ኣብ መጠምጠምያ
ኣጥብቆ። ኣብቲ መጠምጠምያ ኸኣ ብሸነኽ ቅድሚት ይኹን። [38] ኣብ ግምባር ኣሮን ይኹን፡ ኣሮን ድማ
እቲ ደቂ እስራኤል ዜቕርብዎ ኹሉ ቅዱስ ህያብ ናይቲ ቅዱስ ህያቦም በደል ይጹር። ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ሞገስ ኪኹነሎምሲ፡ ወርትግ ኣብ ግምባሩ ይኹን። [39] ዓንጥዓንጦራይ ቀምሽ ታሕቲ ኸኣ
ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ እለም። መጠምጠምያ ድማ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ ግበር። እተጠልፈ ቕናትውን
ግበር። [40] ንደቂ ኣሮን ድማ ቀመውሽ ግበረሎም፡ ቅናውቲውን ግብረሎም። ንኽብርን ንጌጽን ከኣ
መጠምጠምያታት ግበረሎም። [41] እዚ ንኣሮን ሓውካን ንደቁ ኸኣ ምስኡን ከደኖም፡ ቅብኣዮም ድማ፡
ኣእዳዎምውን ምልኣሎም፡ ካህናት ኪኹኑኒ ኸኣ ቀድሶም። [42] ንሕፍረቶም ዚኸድን ስረ ድማ ካብ ልሕጺ
እንጣጢዕ ግበረሎም፡ ካብ ሕቘኦም ክሳዕ ብርኮም ዚበጽሕ ይኹን። [43] ኣሮንን ደቁን ከይብድሉ እሞ
ከይሞቱ፡ ናብ ድንኳን ምርኻብ ኪኣትዉ ኸለዉ፡ ወይ ኣብ መቕደስ ኬገልግሉ ናብ መሰውኢ ኪቐርቡ
ኸለዉ፡ ይዕጠቕዎ። እዚ ንእኡ፡ ብድሕሪኡ ኸኣ ንዘርኡ ሕጊ ዘለኣለም ይኹን።

## ምዕራፍ 29

[1] ካህናተይ ኪኹኑኒ ኽትቅድሶም ከሎኻ እትገብረሎም ነገር እዚ እዩ፥ ሓደ ዝራብዕን ጕደሎ ዜብሎም
ክልተ ድዑልን ውሰድ፡ [2] ዘይበኸዔ እንጌራን ብዘይቲ እተቘምጥዔ ቕጫታትን፡ ዘይቲ እተለኽየ ረቂቕ
ቅጫታትን ድማ ውሰድ ካብ ድኹም ሓርጭ ስርናይ ግበሮ። [3] ኣብ ሓደ መሶብ ኣንብሮ፡ በቲ መሶብ
ጌርካ ምስቲ ዝራብዕን ምስቶም ክልተ ድዑልን ጌርካ ኣቕርቦ። [4] ንኣሮንን ንደቁን ናብ ኣፍ ድንኳን
ምርኻብ ኣቕርቦም፡ ብማይ ድማ ሕጸቦም። [5] ነቲ ኣልባሳት ወሲድካ ድማ፡ ንኣሮን ቀምሽ ታሕትን ናይ
ኤፎድ ቀምሽ ላዕልን፡ ኤፎድ ሳንቃ ኣፍ ልብን ከደኖ። በቲ ብብልሓት እተገበረ ቅናት ኤፎድ ጌርካ ኸኣ
ኣዕጥቆ። [6] ኣብ ርእሱ ድማ መጠምተምያ ግበረሉ፡ ነቲ ቅዱስ ኣኽሊል ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ መጠምጠምያ
ግበሮ። [7] ዚቕባእ ዘይቲ ወሲድካ ድማ ናብ ርእሱ ኹዒኻ ቅብኣዮ። [8] ንደቁ ኸኣ ኣቕርቦም እሞ፡ ቀመውሽ
ታሕቲ ኽደኖም። [9] ንኣሮንን ንደቁን ድማ ብቕናት ኣዕጥቆም፡ መጠምጠምያውን ግበረሎም። እቲ ኽህነት
ከኣ ንኣታቶም ናይ ዘለኣለም ሕጊ ይኹን። ንኣሮንን ንደቁን ከኣ ትቕድሶም። [10] ነቲ ዝራብዕ ድማ ናብ
ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ ኣቕርቦ፡ ኣሮንን ደቁን ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ርእሲ እቲ ዝራብዕ የንብሩ። [11] ነቲ
ዝራብዕ ከኣ ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሕረዶ። [12] ካብ ደም እቲ ዝራብዕ
ወሲድካ ድማ በጻብዕካ ነቲ ኣቕርንቲ መሰውኢ ልኸዮ፡ ንኹሉ እቲ ደም ከኣ ኣብ እግሪ እቲ መሰውኢ
ኽዐዎ። [13] ነቲ ናውቲ ኸብዲ ዜጕልብብ ቋንጡጥን ኣብ ልዕሊ ኸብዲ ዘሎ ስብሕን ንኽልቲኡ ኹሊትን
ኣብ ልዕሉኡ ዘሎ ስብሕን፡ ንዅሉ ወሲድካ ኣብ መሰውኢ ኣሕርሮ። [14] ናይቲ ዝራብዕ ስጋን ቈርበትን

ፈርስን ግና፡ መስዋእቲ ሓጢያት እዩ እሞ፡ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ብሓዊ ኣንድዶ። [15] ነቲ ሓደ ድዑል ወሲድካ ድማ፡ ኣሮንን ደቁን ኣእዳዎም ኣብ ርእሲ እቲ ድዑል የንብሩ። [16] ነቲ ድዑል ከኣ ሕረዶ፡ ነቲ ደሙውን ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ንጸጎ። [17] ነቲ ድዑል ድማ በብብልዕቱ ቈራርጾ፡ ነቲ ናውቲ ኸብድን ኣእጋሩን ከኣ ሓጺብካ ኣብ ልዕሊ እቲ እተቘራረጸ ስጋኡን ርእሱን ኣንብሮ። [18] ነቲ ድዑል ድማ ብዘሎ ኣብ መሰውኢ ኣሕርሮ። ንሱ ንእግዚኣብሄር ዚሓርር መስዋእቲ እዩ፡ ንሱ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና፡ መስዋእቲ ሓዊ እዩ። [19] ነቲ ኻልኣይ ድዑል ወሲድካ ድማ፡ ኣሮንን ደቁን ኣእዳዎም ኣብ ርእሲ እቲ ድዑል የንብሩ። [20] ነቲ ድዑል ከኣ ሕረዶ፡ ካብ ደሙ ወስዲካ ድማ ኣብ ወሰን የማነይቲ እዝኒ ኣሮንን ኣብ ወሰን የማኖት ኣእዛን ደቁን ኣብ የማኖት ዓበይቶ ኣእዳዎምን የማኖት ዓበይቶ ኣእጋሮምን ልኸ። ነቲ ደም ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ንጸጎ። [21] ካብቲ ኣብ መሰውኢ ዘሎ ደምን ካብቲ ዘይቲ መቐብእን ወሲድካ ድማ ኣብ ኣሮንን ኣብ ኣልባሱን፡ ኣብ ደቁን ኣብ ኣልባስ ደቁን ከኣ ምስኡ ንጸጎ። እሞ ንሱን ኣልባሱን ምስኡ ኸኣ ደቁን ኣልባስ ደቁን ይቐደሱ። [22] ድዑል ምቕዳስ እዩ እሞ፡ ናይቲ ድዑል ስብሒ፡ ኲልኲልን እቲ ንናውቲ ኸብዲ ዚጐልብብ ቛንጡጥን ስብሒ ኸብድን ክልቲኡ ኵሊትን እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ስብሕን የማናይ እግርን ውሰድ። [23] ካብቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘሎ ዘይበኹዔ እንጌራ ዘለዎ መሶብ ከኣ ሓደ ሕብስትን ሓደ ቕጫ እንጌራ ዘይትን ሓደ ረቂቕ ቅጫን ውሰድ። [24] እዚ ኹሉ ድማ ኣብ ኣእዳው ኣሮንን ኣብ ኣእዳው ደቁን ኣንብሮ እሞ፡ ከም ዚውዝወዝ መስዋእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወዝውዞ። [25] ካብ ኣእዳዎም ወሲድካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ኣብ መሰውኢ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዚሓርር መስዋእቲ ኣሕርሮ። እዚ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ እዩ። [26] ሓኸለ እቲ ድዑል ምቕዳስ ኣሮን ውሰድ እሞ ከም ዚውዝወዝ መስዋእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወዝውዞ። ንሱ ኸኣ ግዴኻ ይኹን። [27] እቲ ንኣሮንን ንደቁን ዚግባእ፡ ነቲ ሓኸለ ዚውዝወዝ መስዋእቲ ነቲ ዚለዐል መስዋእቲ እግርን ናይቲ ድዑል ምቕዳስ፡ ዚውዝወዝን ዚለዐልን፡ ቀድስ። [28] እዚ ዚለዐል መስዋእቲ እዩ እሞ፡ ካብ ደቂ እስራኤል ንኣሮንን ንደቁን ሕጊ ዘለኣለም ይኹን። እዚ ኻብቲ ደቂ እስራኤል ካብ ናይ ምስጋና መስዋእቶም ዚለዐል መስዋእቲ፡ ንእግዚኣብሄር ዚለዐል መስዋእቶም ይኹን። [29] እቲ ቅዱስ ኣልባስ ኣሮን ከኣ፡ ንሳቶም ብእኡ ኪቕብኡ ብእኡ ድማ ኪቕደሱ ብድሕሪኡ ንደቁ ይኹን። [30] ካብ ደቁ እቲ ኣብ ስፍራኡ ኻህን ዚኸውን፡ እቲ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ኬግልግል ናብ መቕደስ ዚኣቱ፡ ሸብዓተ መዓልቲ ይልበሶ። [31] ነቲ ድዑል ምቕዳስ ወሲድካ ድማ ስጋኡ ኣብ ቅዱስ ቦታ ኣብስሎ። [32] ኣሮንን ደቁን ድማ ንስጋ እቲ ድዑልን ነቲ ኣብ መሶብ ዘሎ እንጌራን፡ ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ኲዩኖም፡ ይብልዕዎ። [33] እዚ ብእኡ ምምላእ ኢዶምን ምቕዳሶምን ንመተዓረቒ እተገበረ ይብልዕዎ። ንሱ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ካብኡ ጓና ኣይብላዕ። [34] ካብቲ ስጋ ምቕዳስ ወይ ካብቲ እንጌራ ገለ ኽሳዕ ንጽብሒቱ እንተ ተረፈ፡ ነቲ ተረፍ ብሓዊ ኣንድዶ፡ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ኣይበላዕ። [35] ንኣሮንን ንደቁን ከምቲ ዝኣዘዝኩኻ እዚ ኹሉ ግበረሎም። ሾብዓተ መዓልቲ ትቕድሶም። [36] ኣብ ጸጽባሕ ከኣ ንመተዓረቒ ዚኸውን ንመስዋእቲ ሓጢያት ሓደ ዝራብዕ ኣቕርብ። ነቲ መሰውኢ ኸኣ በቲ እትዕረቐሉ ኣጽርዮ፡ ክትቅድሶውን ልኸዮ። [37] ነቲ መሰውኢ ሾብዓተ መዓልቲ ኣተዐርቆን ቀድሶን። እቲ መሰውኢ ቅዱስ ቅዱሳን ይኸውን፡ ነቲ መስውኢ ዝተንከዮ ኹሉ ኪቕደስ እዩ። [38] እቲ ኣብ መስውኢ እተቕርቦ ኸኣ እዚ እዩ፡ ወርትግ ኣብ ጸጽባሕ ክልተ ገንሸል ዓመት። [39] እቲ ሐደ ገንሸል ብጊሓት ኣቕርቦ፡ እቲ ኻልኣይ ገንሸል ከኣ ምሸት ኣቕርቦ። [40] ምስቲ ሓደ ገንሸል ብራብዓይ ክፍሊ ሂን ጒዱእ ዘይቲ ኣውልዕ እተለውሰ ዓስራይ ክፍሊ ኤፋ ድኹም ሓርጭ፡ ንመስዋእቲ መስተውን ራብዓይ ክፍሊ ሂን ወይኒ ኣቕርብ። [41] ነቲ ኻልኣይ ገንሸል ድማ ከምቲ ናይ ብጊሓት መስዋእቲ ብልዕን ከምቲ መስዋእቲ መስተን ምስኡ ጌርካ ኣጋ

ምሸት ኣቕርቦ። ንጥዑም ጨና፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር እዩ። 42 እዚ ኣብቲ ኣነ ኽዛረበካ ምሳኹም
ዝራኸበሉ፡ ኣብ ደገ ድንኳን ምርኻብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ውሉድ ወለዶኹም ንወርትግ
ዚሐርር መስዋእቲ እዩ። 43 ኣብኡ ምስ ደቂ እስራኤል ክራኸብ እየ፡ እቲ ድንኳን ድማ ብኽብረይ ኪቕደስ
እዩ። 44 ነቲ ድንኳን ምርኻብን ንመሰውእን ክቕድሶ እየ። ንኣሮንን ንደቁን ከኣ ካህናት ኪኾኑኒ
ክቕድሶም እየ። 45 ኣነ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ክነብር፡ ኣምላኾም ድማ ክኸውን እየ። 46 ኣብ
ማእከሎም ክነብር ኢለ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኽም ዘውጻእክዎም፡ ኣነውን እግዚኣብሄር ኣምላኾም ከም
ዝኾንኩ ኺፈልጡ እዮም። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኾም እየ።

## ምዕራፍ 30

1 ዕጣን እትዓጥነሉ መሰውኢ ኽኣ ግበር፡ ካብ ዕጨይቲ ሸጢም ግበሮ። 2 ምንዋሑ ሓደ እመት፡
ምግፋሑ ኽኣ ሓደ እመት፡ ኣርባዕተ መኣዝኑ ማዕረ፡ ምብራኹ ድማ ክልተ እመት ይኹን። ኣቕርንቱ
ኽኣ ምስኡ ብሓደ እተገብረ ይኹን። 3 ላዕላዩን ጎቦታቱን ብዙርያኡ፡ ኣቕርንቱ ድማ ብጽሩይ ወርቂ
ለብጦ። ካብ ወርቂ ኽኣ ኣኽሊል ኣዙረሉ። 4 ክልተ ቐለቤት ወርቂ ጌርካ ድማ ብኽልተ ጎቦኡ ኣብ ትሕቲ
እቲ ኣኽሊል ግበሮ፡ ብእኡ ኺጽወርሲ እቲ መሰላታት ኣብኡ ኺኣቱ፡ ኣብ ክልተ ወገኑ ግበሮ። 5 እቲ
መሰላታት ድማ ካብ ዕጨይቲ ሸጢም ግበሮ፡ ብወርቂ ኽኣ ለብጦ። 6 ነቲ ኣብ ቅድሚ ታቦት ምስክር
ዘሎ መጋረጃ፡ ኣብ ቅድሚኡ፡ ነቲ ኣነ ኣብኡ ምሳኻ ዝራኸበሉ፡ ኣብ ልዕሊ ምስክር ዘሎ መኽደን
መተዓረቒ፡ ኣብ ቅድሚኡ ግበሮ። 7 ኣብኡ ኣሮን ጥዑም ዝጨናኡ ዕጣን ይዕጠን። ንግሆ ንግሆ ቐንድል
ኪዳሉ ኸሎ ዕጣን ይዕጠን። 8 ኣጋ ምሸት ድማ ኣሮን ቀንድል ኪብርህ ከሎ፡ ናይ ወርትግ ዕጣን ንውሉድ
ወለዶኹም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይዕጠን። 9 ጓሻ ዕጣን ኰነ፡ ዚሓርር መስዋእቲ ኾነ ወይ መስዋእቲ
ብልዒ፡ ኣይተቕርቡሉ። መስዋእቲ መስተ ኽኣ ኣብ ልዕሊኡ ኣይትኽዓዉ። 10 ኣብቲ ኣቕርንቱ ድማ ኣሮን
ኣብ ዓመት ሓንሳእ የተዓርቕ። ንውሉድ ወለዶኹም ብደም መስዋእቲ ናይ ምትዕራቕ ሓጢኣት ኣብ
ዓመት ሓንሳእ የተዓርቕ። ንሱ ንእግዚኣብሄር ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። 11 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ
ኢሉ ተዛረቦ፡ 12 ንደቂ እስራኤል ምስ እትቘጽሮም፡ ምስ ተቘጽሩ፡ በቲ ምቝጻሮም ሕማም ከይኰኖም፡
ነፍሲ ወከፍ በጃ ነፍሱ ንእግዚኣብሄር ይሃብ። 13 ነፍሲ ወከፍ ኣብቶም ቍጹራት ዝሐለፈ፡ በቲ ሲቃል
መቕደስ ፈረቓ ሲቃል ይሀብ። ሲቃል ድማ ዕስራ ጌራ እዩ እሞ፡ ፈረቓ ሲቃል መባእ ንእግዚኣብሄር
ይኹን። 14 ነፍስ ወከፍ ኣብቶም ቍጹራት ዝሐለፈ፡ ወዲ ዕስራ ዓመት ካብኡ ንላዕሊውን፡ እቲ መባእ
ንእግዚኣብሄር ይሀብ። 15 እቲ በጃ ነፍስኹም ንእግዚኣብሄር መባእ ክትህቡ ኸሎኹም፡ ሃብታም ካብ
ፈረቓ ሲቃል ኣየብዝሕ፡ ድኻ ኽኣ ኣየውሕድ። 16 እቲ ገንዘብ መተዓረቒ ድማ፡ ንመተዓረቒ ንፍስኹም፡
ንደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንመዘከሪ ኪኸውን፡ ካብ ደቂ እስራኤል ወሲድካ ንኣገልግሎት
ድንኳን ምርኻብ ግበሮ። 17 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 18 ንመሕጸቢ ዚኸውን ገበራ
ድማ ካብ ኣስራዚ ኣጋሮኡ ኽኣ ካብ ኣስራዚ ግበሮ፡ ኣብ መንጎ ድንኳን ምርኻብን መሰውእን ኣንብሮ
እሞ፡ ማይ ግበረሉ። 19 ኣሮንን ደቁን ድማ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ብእኡ ይተሐጸቡ። 20 ናብ ድንኳን
ምርኻብ ኪኣትዉ ኸለዉ፡ ወይ ንእግዚኣብሄር መሰዋእቲ ሓዊ ብምንዳድ ኬገልግሉ ናብ መሰውኢ ምስ
ዚቐርቡ፡ ምእንቲ ኸይሞቱስ፡ ማይ ይተሐጸቡ። 21 ምእንቲ ኸይሞቱ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ይተሐጸቡ።
እዚ ኽኣ ንኣታቶም፡ ንእኡን ንዘርኡን፡ ንውሉድ ወለዶኦም፡ ስርዓት ዘለኣለም ይኹን። 22 እግዚኣብሄር
ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 23 ካብ ዝበለጸ ጥዑም ጨና ንኣኻ ወሰድ፡ ሓሙሽተ ሚእቲ ሲቃል

ዚነጥብ ከርበ፡ ፈረቓሉ ኸኣ፡ ማለት ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሲቓል፡ ካብ ጥዑም ዝጨናኡ ቓርፋ፡ ካብ
ጥዑም ዝጨናኡ ቓንጫ ዶሪራ ድማ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሲቓል። 24 ሓሙሽተ ሚእቲ ሲቓል
ብሲቓል መቕደስ ከኣ ካብ ሳናመኪ፡ ሓደ ሂን ዘይቲ ኣውልዕ ድማ። 25 ንእኡ ኸም ብብልሓት ገባር
ቅብኢ እተገበረ ቕብኢ፡ ቅዱስ ዘይቲ ቕብኣት ግበሮ። ንሱ ቅዱስ ዘይቲ ቕብኣት ይኹን። 26 ብእኡ ድማ
ነቲ ድንኳን ምርኻብን ንታቦት ምስክርን ቅባእ፡ 27 ነቲ ሰደቓን ኵሉ ኣቓሑኡን ንቐዋሚ ቐንዴልን ኵሉ
ኣቓሑኡን ንመሰውኢ ዕጣን ከኣ፡ 28 ንመሰውኢ ምሕራርን ኵሉ ኣቓሑኡን፡ ነቲ ገበራን ኣጋሮኡን ቅባእ።
29 ቅዱስ ቅዱሳን ኪኸውን ድማ ቀድሶ። ዚትንክዮ ዘበለ ዅሉ ኸኣ ይቕደስ። 30 ንኣሮንን ንደቁን ድማ
ካህናት ኪኾኑኒ ቅብኣዮምን ቀድሶምን። 31 ንደቂ እስራኤል ከኣ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ እዚ ንውሉድ
ወለዶኹም ዘይቲ ቅዱስ ቅብኢ ይኹነለይ። 32 ኣብ ስጋ ሰብ ኣይኲዖ፡ ካልእውን ከምቲ ኣገባብራኡ
ኣይትግበሩ። ንሱ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ንኣኻትኩም ከኣ ቅዱስ ይኹን። 33 እቲ ኸምኡ ዝበለ ቕብኢ ዝገበረን፡
እቲ ኻብኡ ንኻልእ ሰብ ዝለኸየን ንሱ ኻብ ህዝቡ ይመንቈስ። 34 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡
ጥዑም ጨናታት፡ ከርበን ሸኸለትን ከልበናን፡ ጥዑም ጨናታት ምስ ጽሩይ ዕጣንን በብዓይነቱ ማዕረ
ማዕረ ኸም ዚኸውን ጌርካ ውሰድ። 35 ንእኡ ድማ ከም ብብልሓት እቶም ገበርቲ ቕብኢ ጨው ዝኣተዎ
ጽሩይ ቅዱስ ቅብኢ ዕጣን ግበሮ። 36 ካብኡ ኣድኪምካ ጕዳእ እሞ፡ ኣብቲ ኣነ ምሳኻ ዝራኸበሉ፡ ኣብ
ድንኳን ምርኻብ ኣብ ቅድሚ ምስክር ኣንብሮ። ንኣኻትኩም ቅዱስ ቅዱሳን ይኹን። 37 እቲ በዚ
ኣገባብራኡ እትገብሮ ዕጣን ንኣኻትኩም ኣይትግበሩ። ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ይኹነልካ። 38 ዝኾነ
ይኹን ኪዕጠኖ ኢሉ ኸምኡ ዝበለ ዚገብር፡ ካብ ህዝቡ ይመንቈስ።

## ምዕራፍ 31

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 እንሆ፡ ኣነ ንበሳልኤል ወዲ ኡሪ፡ ወዲ ሁር፡ ካብ
ነገድ ይሁዳ፡ ብስሙ ጸዊዔዮ ኣሎኹ። 3-5 ንጥበብን ንምስትውዓልን ንፍልጠትን ንዅሉ ዓይነት ዕዮ፡ ኣብ
ወርቅን ብሩርን ኣስራዝን ንምዕያይ ጥበብ ኪሐስብ፡ ንምዝናቕ ዚኸውን ኣእማን ኪቐርጽ፡ ዕጨይቲውን
ንምጽራብ፡ ኵሉ ዕዮ ንምግባር መንፈስ ኣምላኽ መሊኤዮ ኣሎኹ። 6 እንሆ ኸኣ፡ ንኦሆልያብ ወዲ
ኣሒሳማክ፡ ካብ ነገድ ዳን፡ ምስኡ ገይረዮ ኣሎኹ። እቲ ዝኣዘዝኩኻ ዅሉ ምእንቲ ኺገብሩ ኸኣ፡ ኣብ
ልቢ ዅሎም ብልሓታኛታት ጥበብ ኣንቢረ ኣሎኹ። 7 ድንኳን ምርኻብን ታቦት ምስክርን ኣብ ልዕሊኡ
ዘሎ መኽደን መትዓረቕን ኵሉ ኣቓሑ ድንኳንን፡ 8 ሰደቓን ኣቓሑኡን እቲ ጽሩይ ቀዋሚ ቐንዴልን ኵሉ
ኣቓሑኡን መሰውኢ ዕጣን ከኣ፡ 9 መሰውኢ ምሕራርን ኵሉ ኣቓሑኡን እቲ ገበራ ኸኣ ምስናይ ኣጋሮኡ፡
10 ኣልባስ ኣገልግሎትን ቅዱስ ኣልባስ ድማ ንኣሮን ካህንን ንደቁን ብኽህነት ዜገልግሉሉ ኣልባስ፡ 11
ዘይቲ ቕብኣትን እቲ ንመቕደስ ዚኸውን ምኡዝ ዕጣንን፡ ከምቲ ዝኣዘዝኩኻ ዅሉ ይግበርዎ። 12
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 13 ንስኻ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡
ቀዳሲኹም ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኽትፈልጡስ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኹምን ንውሉድ
ወለዶኹም መፈለጥታ እየን እሞ፡ ሰናብተይ ኣጸቢቕኩም ሐልዉ። 14 ንኣኻትኩም ቅድስቲ እያ እሞ፡
ንሰንበት ሐልውዋ። ብእኣ ገለ ዕዮ ዚዐዪ ዅሉ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ እሞ፡ እቲ
ዘርክሳ ሞት ይሙት። 15 ሹድሽተ መዓልቲ ዕዮ ይተዐየ፡ ሳብዐይቲ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰት
ሰንበት ዕረፍቲ እያ። ብመዓልቲ ሰንበት ዕዮ ዝዐየየ ዅሉ ሞት ይሙት። 16 ንውሉድ ወለድኦም ንናይ
ዘለኣለም ኪዳን ንሰንበት ኬብዕልዋ፡ ደቂ እስራኤል ንሰንበት ይሐልውዋ። 17 እግዚኣብሄር ብሹድሽተ

መዓልቲ ሰማይን ምድርን ገበረ፡ ብሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ዐሪፉ ኣተንፈሱ እዩ እሞ፡ ንሳ ኣብ መንጎይን
ኣብ መንጎ ደቂ እስራኤልን ናይ ዘለኣለም መፈለጥታ እያ። 18 ኣብ ከረን ሲና ምስ ሙሴ ተዛሪቡ ምስ
ወድኤ፡ ክልተ ጽላት ምስክር፡ በጻብዕ እግዚኣብሄር እተጻሕፈ ጽላት እምኒ ሀቦ።

## ምዕራፍ 32

1 እቲ ህዝቢ ኸኣ ሙሴ ኻብ ከረን ከይወረደ ኸም ዝደንጕየ ምስ ረኣየ፡ ናብ ኣሮን ተኣከበ እሞ፡ ነዚ
ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኣና ሙሴ፡ እቲ ሰብኣይ፡ እንታይ ከም ዝረኸቦ ኣይንፈልጥን ኢና እሞ፡
ተንስእ፡ ቀቅድሜና ዚኸዱ ኣማልኽቲ ግበረልና፡ በልዎ። 2 ኣሮን ድማ፡ እቲ ኣብ ኣእዛን ኣንስትኹምን
ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ዘሎ ቐላብቲ ወርቂ ቘንጢጥኩም ኣምጽኡለይ፡ በሎም። 3 ኲሎም እቶም
ህዝቢ ኸኣ ኣብ ኣእዛኖም ዝነበረ ቀላብቲ ወርቂ ቘንጢጦም ናብ ኣሮን ኣምጽእዎ። 4 ንሱ ኸኣ ካብ
ኣእዳዎም ወሲዱ ብመንደል መመሰሊ ቀሪጹ፡ ኣፍሲሱ ኸኣ ምራኽ ገበሮ። ንሳቶም ድማ፡ ዎ እስራኤል፡
ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቡኻ ኣማልኽትኻ እዚኣቶም እዮም፡ በሉ። 5 ኣሮን እዚ ምስ ረኣየ፡ ኣብ ቅድሚኡ
መሰውኢ ሰርሐ፡ ጽባሕ ንእግዚኣብሄር በዓል እዩ፡ ኢሉ ድማ ኣወጀ። 6 ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ተንሲኦም፡
ዚሐርር መስዋእቲ ሰውኡ፡ መስዋእቲ ምስጋናውን ኣቕረቡ። እቶም ህዝቢ ድማ ኪበልዑን ኪሰትዩን ኮፍ
በሉ፡ ኪስሐቑ ኸኣ ተንስኡ። 7 ሽዑ እግዚኣብሄር ንሙሴ በሎ፡ እዚ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእካዮ
ህዝብኻ በዲሉ እዩ እሞ፡ ኪድ ውረድ። 8 ካብቲ ዝኣዘዝክዎም መገዲ ብኡብኡ ኣግለሱ። ምራኽ ፍሲ
ገበሩ፡ ሰገድሉን ሰውኡሉን ከኣ፡ ዎ እስራኤል፡ እቶም ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቡኻ ኣማልኽትኻ
እዚኣቶም እዮም፡ ድማ በሉ። 9 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እዚ ህዝቢ እዚ እርእዮ ኣሎኹ፡ እንሆ፡ ህዝቡ
ተሪር ክሳድ እዩ። 10 ሕጂ ኾራይ ኣብኦም ኪነድድ እሞ፡ ክውድኦም ሕደገኒ። ንኣኻ ድማ ዓብዪ ህዝቢ
ኽገብረካ እየ፡ በሎ። 11 ሙሴ ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኸምዚ ኢሉ ተማህለለ፡ ዎ
እግዚኣብሄር፡ ስለ ምንታይ ኲራኻ ኣብዚ ብዓብዪ ሓይልን ብጽንዕቲ ኢድን ካብ ምድሪ ግብጺ
ዘውጻእካዮ ህዝብኻ ይነድድ፧ 12 ከመይከ ግብጻውያን፡ ኣብ ኣኽራን ኪቐትሎም፡ ካብ ገጽ ምድሪ ኸኣ
ኬጽንቶም ንመከራ ኣውጽኦም፡ ኢሎም ዚዛረቡ፧ ካብቲ ነዳዲ ኾራኻ ደኣ ተመለስ፡ ካብቲ ንህዝብኻ
ኽትገብሮ ዝሐሰብካዮ ኽፉእ ድማ ተጠዐስ። 13 ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንእስራኤልን፡ ንኣታቶም፡
ንዘርእኹም ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከብዝሖ እየ። እታ እተዛረብኩላ ምድሪ ድማ ብዘላ ንዘርእኹም ክህቦ
እየ፡ ንዘለኣለም ከኣ ኺርስተይዋ እዮም፡ ኢልካ ብርእስኻ ዝመሐልካሎም፡ ንባሮትካ ዘክር። 14
እግዚኣብሄር ድማ ካብቲ ንህዝቡ ኺገብሮ ኢሉ ተዛሪብዎ ዝነበረ ኽፉእ ተጣዕሰ። 15 ሙሴ ድማ
ተመልሰ፡ ነተን ክልተ ጽላት ምስክር፡ በዝን በትን እተጻሕፋ፡ ብኽልቲኡ ገጻን ጽሑፋት ዝነበራ ጽላት፡
ኣብ ኢዱ ሒዙ ኻብ ከረን ወረደ። 16 እተን ጽላት ድማ ስራሕ እግዚኣብሄር ነበራ፡ ኣብተን ጽላት
እተቐርጸ ጽሕፈት ከኣ፡ ጽሕፈት እግዚኣብሄር እዩ። 17 እያሱ ድማ እልልታን ጭራሕ ምራሕ እቶም
ህዝብን ምስ ሰምዔ፡ ንሙሴ፡ ኣብ ሰፈር ደሃይ ውግእ ይስማዕ ኣሎ፡ በሎ። 18 ሙሴ ኸኣ፡ እዚ ደሃይ
ዝሰዐሩ ኣይኰነን፡ ደሃይ እተሳዕሩ ድማ ኣይኰነን፡ ኣነ ደሃይ ደርፊ እየ ዝሰምዕ ዘሎኹ፡ በሎ። 19 ኰነ
ኸኣ፡ ሙሴ ናብ ሰፈር ምስ ቀረበ፡ ነቲ ምራኽን ነቲ ሳዕስዒትን ርእዩ፡ ኲራኡ ነደደ እሞ፡ ነተን ጽላት
ካብ ኢዱ ደርበየን፡ ኣብ እግሪ እቲ ኸረን ከኣ ሰበረን። 20 ነቲ ዝገበርዎ ምራኽ ወሲዱ ድማ ብሓዊ
ኣንደዶ እሞ፡ ጥሒኑ ኣድከሞ፡ ኣብ ማይ ነስኒሱ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ኣስተዮም። 21 ሙሴ ድማ ንኣሮን፡
እዚ ዓብዪ ሓጢያት ዘምጻእካሉስ እዚ ህዝብዚ እንታይ ገበርካ፧ በሎ። 22 ኣሮን ከኣ፡ ኲራ ጐይታይ

ኣይንደድ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ኽፉእ ምኳኑ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ። [23] እቲ ሙሴ፡ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ
ዘደየበና ሰብኣይ፡ ንእኡ እንታይ ከም ዝረኸቦ ኣይንፈልጥን ኢና እሞ፡ ቀቅድሜና ዚኸዱ ኣማልኽቲ
ግበረልና፡ በሉኒ። [24] ኣነ ድማ፡ ወርቂ ዘለዎ ይቐንጥጦ፡ በልክዎም። ንሳቶም ከኣ ሀቡኒ፡ ኣነ ድማ ናብ
ሓዊ ደርቤኽዎ፡ እዚ ምራኽ እዚ ኸኣ ወጸ። [25] ኣሮን ነቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም ንመነወሪ ስዲ
ሐዲግዎም ነበረ እሞ፡ ሙሴ ስዲ ተፈንዮም ምስ ረኣዮም፡ [26] ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ሰፈር ደው ኢሉ፡ ነፍሲ
ወከፍ ናይ እግዚኣብሄር ዝኾነ ናባይ ይምጻእ፡ በለ። ኵሎም ደቂ ሌዊ ኸኣ ናብኡ ተኣከቡ። [27] ንሱ ድማ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል፡ ነፍሲ ወከፍ ሴፉ ኣብ እቑኡ ይዕጠቕ። ካብ ደገ ናብ ደገ
ኸኣ ኣብዚ ሰፈር ተመላለሱ፡ ነፍሲ ወከፍ ንሓዉ፡ ነፍሲ ወከፍ ንፈታዊኡ፡ ነፍሲ ወከፍ ንጐረቤቱ
ይቕተል፡ በሎም። [28] ደቂ ሌዊ ድማ ከምቲ ዘረባ ሙሴ ገበሩ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብቲ ህዝቢ ኣስታት
ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይ ወደቑ። [29] ሙሴ ድማ፡ በዛ መዓልቲ እዚኣ በረኸት ምእንቲ ኺወሀበኩም፡ ነፍሲ
ወከፍ ብወዱን ብሓዉን ሎሚ ንእግዚኣብሄር ተቐደሱ፡ በለ። [30] ኰነ ድማ ንጽብሒቱ ሙሴ ነቶም
ህዝቢ፡ ንስኻትኩም ዓብዪ ሓጢኣት ገበርኩም። ሕጂ ኸኣ፡ ምናልባሽ ሓጢያኣትኩም እንተ ኣተዐረቕኩ፡
ናብ እግዚኣብሄር ክድይብ እየ፡ በሎም። [31] ሙሴ ድማ ናብ እግዚኣብሄር ተመሊሱ፡ ኣየ፡ እዚ ህዝቢ እዚ
ዓብዪ ሓጢያኣት ገበረ፡ ንኣታቶም ከኣ ኣማልከቲ ወርቂ ገበረ። [32] ሕጂ ድማ ሓጢኣቶም ይቕረ በለሎም፡
እንተ ዘይኰነስ ካብቲ ዝጸሐፍካዮ መጽሓፍካ ሕከኸኒ፡ በለ። [33] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ነቲ ዝበደለኒ
ኻብ መጽሓፈይ እሐኮ፡ [34] ሕጂ ኸኣ ኪድ እሞ፡ ነዚ ህዝቢ ናብቲ ዝበልኩኻ ምርሓዮ። እንሆ፡
መልኣኸይ ቀቅድሚኣኻ ኪኸይድ እዩ። ኣነ ግና በታ ንኣታቶም ዝበጽሓላ መዓልቲ፡ ሓጢኣቶም ክቐጽዕ
እየ፡ በሎ። [35] እሞ እቲ ኣሮን ዝገበሮ ምራኽ ስለ ዝገበሩ፡ እግዚኣብሄር ነቶም፡ ህዝቢ ቀዘፎም።

# ምዕራፍ 33

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንስኻን እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘደየብካዮ ህዝብን ካብዚ ኺዱ እሞ፡
ናብታ ንዘርእኻ ኽሀቦ እየ ኢለ፡ ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያእቆብን ዝመሓልኩሎም ምድሪ ደይቡ። [2]
ቀቅድሜኻ ድማ መልኣኽ ክሰድድ እየ እሞ ንኸነኣናውያንን ንኣሞራውያንን ንሔታውያንን
ንፈረዛውያንን ንሃዋውያንን ንይቡሳውያንን ክሰጎም እየ። [3] ንሱ ናብታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ
ኼእትወካ እዩ። ንስኻ ተሪር ክሳድ ህዝቢ ኢኻ እሞ፡ ኣብ መገዲ ምእንቲ ኸየጥፍኣካስ፡ ኣብ ማእከልካ
ኣይድይብን እየ፡ በሎ። [4] እቶም ህዝቢ እዚ ኽፉእ ነገርዚ ምስ ሰምዑ፡ ጒሀዩ እሞ ሓደ እኳ ስልማቱ
ኣይተሰለመን። [5] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ንደቂ እስራኤል፡ ንስኻትኩም ተረርቲ ኽሳድ ህዝቢ
ኢኹም። ኣነ ቕጽበት ዓይኒ ኣብ ማእከልካ እንተ ዝድይብ፡ ምወዳእኩኻ ነይረ፡ ሕጂ ኸኣ ንኣኻ እንታይ
ከም ዝገብረካ ምእንቲ ኺፈልጥ፡ ስልማትካ ካባኻ ቀንጥጥ፡ በሎም። [6] ደቂ እስራኤል ድማ ካብ ከረን
ሆሬብ ንነጀው ስልማቶም ቀንጠጡ። [7] ሙሴ ድማ ነቲ ድንኳን ወሲዱ፡ ኣብ ወጻኢ እቲ ሰፈር፡ ካብ
ሰፈር ኣርሒቕ ኣቢሉ ተኸሎ። ድንኳን ምርኻብ ከኣ ኣውጻኣሉ። ኰነ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ዝደለየ ዘበለ
ንወጻኢ ሰፈር ናብ ድንኳን ምራኻብ ይኸይድ ነበረ። [8] ኰነ ድማ፡ ሙሴ ናብ ድንኳን ምስ ዚወጽእ፡ ኵሉ
እቲ ህዝቢ ተንሲኡ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ኣፍ ድንኳኑ ደው በለ፡ ሙሴ ናብ ድንኳን ክሳዕ ዚኣቱ ደድሕሪኡ
ይጥምቶ ነበረ። [9] ኰነ ኸኣ፡ ሙሴ ናብ ድንኳን ምስ ኣተወ፡ እቲ ዓንዲ ደበና ወሪዱ፡ ኣብ ኣፍ ድንኳን
ይቐውም ነበረ፡ ንሙሴ ድማ ይዛረቦ ነበረ። [10] ኵሉ ህዝቢ ድማ ነቲ ዓንዲ ደበና ኣብ ኣፍ ድንኳን ደው
ኢሉ ረኣዮ፡ ኵሉ እቲ ህዝቢ ተንሰኤ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ኣፍ ድንኳኑ ኾይኑ ይሰግድ ነበረ። [11] ሰብ

ምስ ፈታዊኡ ኸም ዚዛረብ፡ እግዚኣብሄር ድማ ምስ ሙሴ ገጽ ንገጽ ተዛረበ። ሙሴ ኸኣ ናብ ሰፈር
ተመልሰ። እቲ ጒበዝ ግልያኡ፡ እያሱ ወዲ ነዌ ግና ካብቲ ድንኳን ኣይፍለን ነበረ። [12] ሙሴ ድማ
ንእግዚኣብሄር፡ እንሆ፡ ንስኻ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ኣደይቦ፡ ትብለኒ ኣሎኻ። ምሳይ ንመን ከም እትሰድድ
ከኣ፡ ንስኻ ኣየፍለጥካንን። ንስኻ ግና፡ ብስምካ እፈልጠካ ኣሎኹ፡ ኣብ ዓይነይ ድማ ሞገስ ረኺብካ
ኣሎኻ፡ በልካኒ። [13] እምበኣርሲ ኣብ ዓይንኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ ምእንቲ ኣብ ዓይንኻ ሞገስ
ኪረክብ፡ በጃኻ መገድኻ ኣፍልጠኒ። እዚ ህዝቢዚ ኸኣ ህዝብኻ ከም ዝኾነ ርኤ፡ በሎ። [14] እግዚኣብሄር
ድማ፡ ገጻይ ምሳኻ ይኸይድ፡ ከዕርፈካ ኸኣ እየ፡ በሎ። [15] ገጽካ ምሳና ዘይኸይድ እንተ ኾይኑስ፡ ካብዚ
ኣይተደይበና። [16] ኣነን ህዝብኻን ኣብ ዓይንኻ ጸጋ ኸም ዝረኸብና፡ ኣነን ህዝብኻን ድማ ኣብ ገጽ ምድሪ
ኻብ ዘለው ዅሎም ህዝብታት ከም እንፍለ ደኣ፡ ብምንታይ ይፍለጥ፧ ንስኻ ምሳና ብምኻድካዶ
ኣይኰነን፧ በሎ። [17] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ኣብ ዓይነይ ጸጋ ረኺብካ፡ ብስምካ ኸኣ ፈሊጠካ እየ
እሞ፡ እዚ ዝበልካዮ ነገር ክገብሮ እየ፡ በሎ። [18] ንሱ ድማ፡ እምበኣር በጃኻ፡ ክብርኻ ኣርእየኒ፡ በሎ። [19]
ንሱ ኸኣ ኵሉ ለውሃተይ ኣብ ቅድሜኻ ኸሕልፍ እየ፡ ስም እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ቅድሜኻ ኽእውጅ
እየ። ነቲ ኽምሕሮ ዝደሌኹ ኽምሕሮ እየ፡ ነቲ ኽምሕሮ ዝደሌኹ ድማ ክምሕሮ እየ፡ በለ። [20] ሰብ ርእዩኒ
ብህይወት ኣይነብርን እዩ እሞ፡ ገጸይ ክትርኢ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ ድማ በለ። [21] እግዚኣብሄር ድማ፡
እንሆ፡ ኣብዚ ጥቓይ ቦታ ኣሎ፡ ኣብቲ ኸውሒ ደው ክትብል ኢኻ። [22] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ክብረይ
ኪሓልፍ ከሎ ኣብ ጭዳድ ከውሒ እገብረካ፡ ኣነ ኽሳዕ ዝሓልፍ ከኣ፡ ብኢደይ ክኸውለካ እየ። [23] ኢደይ
ድማ ኤልዕል እሞ ብድሕረይ ትርእየኒ፡ ግጻይ ግና ኣይርኤን እዩ፡ በለ።

# ምዕራፍ 34

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንኣኻ ኸምተን ቀዳሞት ዝበላ ኽልተ ጽላት እምኒ ጽረብ፡ ኣብተን
ዝሰበርካየን ቀዳሞት ጽላት ዝነበረ ቓላት ከኣ ኣነ ኣብዘን ጽላት እዚኣን ክጽሕፎ እየ። [2] ንጽባሕ ድማ
ተዳሎ፡ ኣንጊህካ ኸኣ ናብ ከረን ሲና ደይብ እሞ ኣብ ርእሲ እቲ ኸረን ናባይ ተረኸብ። [3] ሓደ ሰብ እኳ
ምሳኻ ኣይደይብ። ኣብ ኵሉ እቲ ኸረን ከኣ ገለ ሰብ እኳ ኣይርኤ፡ ኣባጊዕን ኣሓን ድማ ኣብ ጥቓ እቲ
ኸረን ኣይውፈራ፡ በሎ። [4] ከምተን ቀዳሞት ዝበላ ኽልተ ጽላት እምኒ ኸኣ ጸረበ። ንጽብሒቱ ኸኣ ሙሴ
ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ድማ፡ ንኽልቲኤን ጽላት እምኒ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ናብ ከረን
ሲና ደየበ። [5] እግዚኣብሄር ከኣ ብደበና ወሪዱ ኣብ ጥቓኡ ደው በለ እሞ ስም እግዚኣብሄር ኣወጀ። [6]
እግዚኣብሄር ድማ ብቕድሚኡ ሐለፈ ኣወጀ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር፡ መሓርን ጸጋውን
ኣምላኽ፡ ንኹራ ደንጓይ፡ በዓል ብዙሕ ለውሃትን ሓቅን፡ [7] ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ጸጋ ዚሕሉ፡ ዓመጽን
ምትሕልላፍን ሓጢኣትን ይቕረ ዚብል፡ ግናኸ ንበዳሊ ኸም ንጹህ ዘይርኢ፡ ሓጢኣት ኣቦታት ደኣ ኣብ
ደቅን ደቂ ደቅን ክሳዕ ሳልሳይ ክሳዕ ራብዓይ ወለዶ ዚቕጽዕ። [8] ሙሴ ድማ ቀልጢፉ ኣብ ምድሪ ፍግም
ኢሉ ሰገደ፡ [9] እሞ በለ፡ ጐይታይ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ተሪር ክሳድ ህዝቢ እዩ እሞ፡ ዓመጽናን ሓጢኣትናን
ይቕረ ኽትብለልና፡ ርስትኻ ጌርካውን ክትቅበለናስ፡ ኣብ ዓይንኻ እንተ ደኣ ጸጋ ረኺበ፡ በጃኻ፡ ጐይታይ
ኣብ ማእከልና ይኺድ። [10] በለ ድማ፡ እንሆ፡ ኣነ ኺዳን ክገብር እየ። ንእኡ ዚመስል ኣብ ኵላ ምድሪ ወይ
ኣብ ኵሎም ህዝብታት ዘይተገብረ ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ዅሉ ህዝብኻ ኽገብር እየ። እቲ ኣነ ምሳኻ
ዝገብሮ ነገር ድማ ዜፍርህ ነገር እዩ እሞ፡ ኵሉ እቲ ንስኻ ኣብ ማእከሉ ዘሎኻ ህዝቢ ግብሪ እግዚኣብሄር
ኪርኢ እዩ። [11] እዚ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ሐሉ፡ እንሆ፡ ኣነ ኸኣ ንኣሞራውያንን ንከነኣናውያንን

ንሔታውያንን ንፈረዛውያንን ንሃዋውያንን ንይቡሳውያንን ካብ ቅድሜኻ ኽውጽኦም እየ። 12 ኣብ
ማእከልካ ንመፈንጠራ ኸይኰኑስ ምስቶም ኣብታ ንስኻ እትኣትዋ ምድሪ ዚነብሩ ኺዳን ከይትኣቱ
ተጠንቀቕ። 13 መሰውኢታቶም ደኣ ኣፍርሱ፡ ሓወልትታቶም ስበሩ፡ ኣሽሪሞም ከኣ ኣፍርሱ። 14 እቲ ቐናእ
ዝስሙ እግዚኣብሄር፡ ንሱ ቐናእ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ንኻልእ ኣምላኽ ኣይትስገድ። 15-16 ደድሕሪ
ኣማልኽቶም ምስ ዚምንዝሩን፡ ንኣማልኽቶም ከኣ ምስ ዚስውኡን፡ ከይዕድሙኻ እሞ ካብ መስዋእቶም
ከይትበልዕ፡ ኣዋልዶም ድማ ነወዳትካ ኸይትወስድ፡ እተን ኣዋልዶም ከኣ ደድሕሪ ኣማልኽተን
ኪምንዝራ ኸለዋ ንደቅኻ ድማ ደድሕሪ ኣማልኽተን ከየመንዝራኦም፡ ምስቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ
ኪዳን ኣይትእቶ። 17 ዝፈሰሱ ኣማልኽቲ ንኣኻ ኣይትግበር። 18 ንበዓል ቅጫ ሐልዎ። ካብ ግብጺ ብወርሒ
ኣቢብ ወጺእካ ኢኻ እሞ፡ ኣብቲ ምዱብ ጊዜ ብወርሒ ኣቢብ፡ ከምቲ ዝኣዘዝኩኻ፡ ሾብዓተ መዓልቲ
ቅጫ ብላዕ። 19 ማሕጸን ዝኸፈተ ዅሉ፡ ተባዕታይ ዘበለ በዅሪ ማልካ ድማ ብዕራይን በጊዕን ናተይ እዩ።
20 በዅሪ ኣድጊ ግና ብበጊዕ ተበጀዎ። ክትብጀዎ እንተ ዘይፈቶኻ ድማ ክሳዱ ስበሮ። ካብ ደቅኻ ኸኣ ነቲ
በዅሪ ዘበለ ተበጀዎ። ሓደ እኳ ጥራይ ኢዱ ኣብ ቅድመይ ኣይርኤ። 21 ሹድሽተ መዓልቲ ዕየ፡ በታ
ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ዕረፍ። ብጊዜ ማሕረስን ዓጺድን ድማ ዕረፍ። 22 ኣብ ምጅማር ዓጺድ ስርናይ
ናይ ሰሙናት በዓል ኣብ መወዳእታ ዓመት ድማ በዓል ምትሕሳስ ኣብዕል። 23 ተባዕታይካ ዘበለ ዅሉ
ኣብ ቅድሚ ጐይታ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ኣብ ዓመት ሰለስተ ሳዕ ይርኤ። 24 ህዝብታት ካብ
ቅድሜኻ ኽሰጕጕ እየ፡ ንዶባትካ ድማ ከግፍሖ እየ እሞ፡ እቲ ኣብ ዓመት ሰለስተ ሳዕ ኣብ ቅድሚ
እድዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትርኤ ኢልካ ምስ እትድይብ፡ ንምድርኻ ዚትምነ ሰብ የልቦን። 25 ንደም
መስዋእተይ ምስ መጺጽ እንጌራ ኣይትሰዋኣዮ። እቲ መስዋእቲ በዓል ፋስጋ ድማ ክሳዕ ንግሆ ኣይሕደር።
26 መጀመርታ እቲ ቐዳማይ ፍረ ምድርኻ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣእቱ።ንማሕስእ ብጸባ ኣዲኣ
ኣይተብስሎ። 27 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ በዚ ቓላት እዚ ምሳኻን ምስ እስራኤልን ኪዳን ኣትየ እየ
እሞ፡ እዚ ቓላት እዚ ንኣኻ ጽሐፎ፡ በሎ። 28 እንጌራ ኸይበልዐን ማይ ከይሰተየን፡ ኣብኡ ምስ
እግዚኣብሄር ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ገበረ። ድማ ናይቲ ኺዳን ቃላት፡ እቲ ዓሰርተ ቓላት፡
ኣብተን ጽላት ጸሐፎ። 29 ኰነ ኸኣ፡ ሙሴ ኻብ ከረን ሲና ኺወርድ ከሎ፡ በቲ ካብ ከረን ምውራዱ እተን
ክልተ ጽላት ምስክር ኣብ ኢድ ሙሴ ነበራ፡ ሙሴ ምስ እግዚኣብሄር ብምዝራቡ እቲ ቖርበት ገጹ ኸም
ዘንጸባረቐ ኣይፈለጠን ነበረ። 30 ኣሮንን ኵሎም ደቂ እስራኤልን ንሙሴ ምስ ረኣዩ፡ እንሆ፡ ቆርበት ገጹ
የንጸብርቕ ነበረ እሞ፡ ናብኡ ንምቕራብ ፈርሁ። 31 ሙሴ ኸኣ ጸውዖም፡ ኣሮንን ኵሎም ሓላቑ እቲ
ኣኼባን ድማ ናብኡ ተመልሱ፡ ሙሴ ኸኣ ተዛረቦም። 32 ድሕርዚ ኸኣ ኵሎም ደቂ እስራኤል ቀረቡ። ንሱ
ድማ እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ከረን ሲና ዝነገሮ ዅሉ ኣዘዞም። 33 ሙሴ ምሳታቶም ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፡
ኣብ ገጹ ጉልባብ ገበረ። 34 ሙሴ ምስኡ ኺዛረብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምስ ዚኣቱ፡ ክሳዕ ዚወጽእ
ነቲ ጉልባብ የልዕሎ ነበረ። ወጺኡ ኸኣ እቲ እተኣዘዞ ነገር ንደቂ እስራኤል ይነግሮም ነበረ። 35 ደቂ
እስራኤል ድማ ቆርበት ገጽ ሙሴ ኸም ዜንጸብርቕ፡ ገጽ ሙሴ ይርእዩ ነበሩ፡ ሙሴ ኸኣ ምስኡ
ንምዝራብ ክሳዕ ዝኣቱ ነቲ ጉልባብ ናብ ገጹ መለሶ።

## ምዕራፍ 35

1 ሙሴ ድማ ንዅሉ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ኣኪቡ፡ እቲ እግዚኣብሄር ኪግበር ዝኣዘዞ ነገር እዚ እዩ፡
በሎም። 2 ሽዱሽተ መዓልቲ ዕዮ ይተዐየ፡ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ናይ እግዚኣብሄር ሰንበት ዕረፍቲ

እያ እሞ፡ ቅድስቲ ትኹነልኩም። ብእኣ ዕዮ ዝዐየየ ኹሉ ይሙት። 3 ኣብ እትነብርዎ ኹሉ ብመዓልቲ
ሰንበት ሓዊ ኣይተንድዱ። 4 ሙሴ ድማ ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ እቲ
እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ዝኣዘዞ ነገር እዚ እዩ፡ 5 ካባኻትኩም ንእግዚኣብሄር ህያብ ውሰዱ። ነፍሲ
ወከፍ ፍታው ልቢ ዘለዎ ንእግዚኣብሄር ህያብ የምጽእ፡ ወርቅን ብሩርን ኣስራዝን፡ 6 ሰማያውን ሕብሪ
ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ እንጣጢዕን ጸጕሪ ጤልን፡ 7 እተቐረጸ ቈራብቲ ደዓውልን ቈራብቲ ተሃስን
ዕጨይቲ ሽጢምን፡ 8 ዘይቲ ንቐንዴልን ቀመማት ድማ ንዚቕባእ ዘይትን ንሙእዝ ዕጣንን፡ 9 ኣእማን
ዕንቍን ንኤፎድን ንሳንቃ ኣፍ ልብን ዚዛነቕ ኣእማንን። 10 ኣባኻትኩም ጥበበኛ ልቢ ዘለዎም ኵላቶም
ይምጽኡ፡ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ኹሉ ድማ ይግበሩ። 11 እቲ ማሕደር፡ እቲ ድንኳኑን መደረብታኡን
ኣቕላፉን ኣልዋሑን ጋድማቱን ኣዕኑዱን ኣእጋሩ ድማ፡ 12 ታቦትን እቲ መሰላታቱን መኽደን መተዓረቕን
ዚጋረድ መጋረጃን፡ 13 ሰደቓን እቲ መሰላታቱን ኹሉ ኣቓሑኡን እንጌራ ምርኣይን፡ 14 እቲ ዜብርህ ቀዋሚ
ቐንዴልን ኣቓሑኡን፡ ቀልዒ ቐንዴልን ንምብራህ ዚኸውን ዘይትን፡ 15 መሰውኢ ዕጣንን እቲ
መሰላታቱን፡ ዘይቲ ንመቕብእን፡ ምኡዝ ዕጣንን መጋረጃ ኣፍ ደገ ነቲ ደገ ማሕደርን፡ 16 መሰውኢ
ምሕራርን እቲ ናይ ኣስራዚ መጋረዲኡን መሰላታቱን ኵሉ ኣቓሑኡን፡ እቲ ገበራ ምስ ኣጋሮኡ፡ 17
መጋረጃታት ኣጸድን ኣዕኑድን ኣእጋሩን፡ መጋረጃ ኣፍ ኣጸድ ከኣ፡ 18 ሾኻውልቲ ማሕደርን ሾኻውልቲ
ኣጸድ እቲ ኣግማዱን፡ 19 ኣብ መቕደስ ዜገልግሉሉ ኣልባስ ኣገልግሎት፡ ቅዱሳት ኣልባስ ንኣሮን ካህንን
ብኽህነት ዜገልግሉሉ ኣልባስ ደቁን ከኣ። 20 ኵሉ እቲ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ከኣ ካብ ቅድሚ ሙሴ ወጹ።
21 ነፍሲ ወገፍ ልቡ ዝደፍኦ መጸ፡ ኵሉ መንፈሱ ፍቓድ ዘልዐሉ ንመስርሒ ድንኳን ምርኻብን ንኹሉ
ኣገልግሎቱን ንቕዱሳት ኣልባስን ንእግዚኣብሄር ህያብ ኣምጽኤ። 22 ፍታው ልቡ ዘለዎም ዘበሉ ሰብኡትን
ኣንስትን መጺኦም፡ ኣቕላፍን ቀላብቲ እዝንን ቀላብቲ ኣጻብዕን ኣምባውርትን ኵሉ ኣቓሑ ወርቅን ሀቡ።
ነፍሲ ወከፍ ንእግዚኣብሄር ህያብ ወርቂ ኣቕረበ። 23 ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ
እንጣጢዕን ጸጕሪ ጤልን እተቐረጸ ቈራብቲ ደዓውልን ቈራብቲ ተሃስን እተረኽቦ ዘበለ ሰብ ኣምጽኣ። 24
ነፍሲ ወከፍ ህያብ ብሩርን ኣስራዝን ዝሀበ፡ ህያቡ ንእግዚኣብሄር ኣምጽኤ። ነፍሲ ወከፍ ዕጨይቲ
ሽጢም ዝነበሮ ንዝኾነ ዕዮ ኣገልግሎት ኪኸውን ኣምጽአ። 25 ጥበበኛ ልቢ ዘለወን ኵለን ኣንስቲ ድማ
በእዳወን ፈቲለን፡ እቲ ዝፈተላኦ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ እንጣጢዕን ኣምጽኣኦ።
26 ኵለን ኣንስቲ ልበን ብጥበብ ዘልዓለን ከኣ ጸጕሪ ጤል ፈተላ። 27 እቶም ሓላቑ ድማ ኣእማን ዕንቍን
ኣብ ኤፎድን ኣብ ሳንቃ ኣፍ ልብን ዚዛነቕ ኣእማንን፡ 28 ቀመማትን ዘይቲ ንምብራህ ንዘይቲ ቅብኣትን
ንምኡዝ ዕጣንን ዚኸውን ኣምጽኡ። 29 ደቂ እስራኤል ንፍሲ ወከፍ ሰብኣይን ሰበይትን ነቲ እግዚኣብሄር
ኪግበር ብሙሴ ዝኣዘዞ ኹሉ ግብሪ ዚኸውን ኪህብ ልቡ ዘልዐሎ፡ ብፍታው ህያብ ንእግዚኣብሄር
ኣምጽኡ። 30 ሙሴ ድማ ንደቂ እስራኤል በሎም፡ ርኣዩ፡ እግዚኣብሄር ንበሳልኤል ወዲ ኡሪ፡ ወዲ ሁር
ካብ ነገድ ይሁዳ፡ ብስሙ ጸውዖ። 31 ንእኡ ድማ ብመንፈስ ኣምላኽ መልአ፡ ብጥበብን ብምስትውዓልን
ብፍልጠትን ብኹሉ ዕዮን፡ 32 ንምሕሳብ ብልሓት፡ ብወርቅን ብብሩርን፡ በስራዝን ንምዕያይ፡ 33 ዚዛነቕ
ኣእማን ንምውቃርን ንምጽራብ ዕጨይትን፡ ኵሉ ዓይነት ዕዮ ብልሓት ንምዕያይ፡ 34 ንእኡን ንኦሆልያብ፡
ወዲ ኣሂሳማክ ካብ ነገድ ዳንን፡ ኪምህሩ ኣብ ልቦም ሀቦም። 35 ንኣታቶም ኵሉ ዕዮ ብልሓትን ምቕራጽን
ንምዕያይ፡ ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ እንጣጢዕን ከኣ ብብልሓት ንምእላምን
ንምጥላፍን ንዕዮ ማእለማን ኵሉ ዓይነት ዕዮ ብልሓት ንምሕሳብን ብጥበባት ልቢ መልኦም።

## ምዕራፍ 36

[1] በሳልኤልን ኦሆልያብን ኵሎም ጥበብ ልቢ ዘለዎም ሰባትን ንኣገልግሎት መቅደስ ዚኸውን ኲሉ ዕዮ
ምዕያይ ኪፈልጡ፡ እግዚኣብሄር ጥበብን ምስትውዓልን ዝሀቦም፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ዅሉ ነገር
ኪገብሩ እዮም። [2] ሙሴ ድማ ንቤልሳኤልን ንኦሆልያብን ንዅሎም ጥበበኛ ልቢ ዘለዎም ሰባትን፡
እግዚኣብሄር ኣብ ልቦም ጥበብ ዘሕደረሎም፡ መጺኦም ነዚ ዕዮ እዚ ኪዐዩ ልቦም ዝደረኾም ጸውዔ። [3]
ንሳቶም ከኣ ነቲ ደቂ እስራኤል ንዕዮ ኣገልግሎት መቕደስ ኢሎም ዘምጽእዎ ዅሉ ህያብ ኪዐዩሉ ኻብ
ሙሴ ተቐበሉ። ደቂ እስራኤል እቲ ናይ ፍታው ህያቦም ግና ንግሆ ንግሆ የምጽኡ ነበሩ። [4] እቶም ንዅሉ
ዕዮ መቕደስ ዚዐዩ ዝነበሩ ዅላቶም ጥበበኛታት ንፍሲ ወከፎም ከካብቲ ዚዐይዎ ዝነበሩ ዕዮኦም መጹ።
[5] ንሙሴ ኸኣ፡ እዚ ህዝቢ ነቲ እግዚኣብሄር ኪግበር ዝኣዘዞ ዕዮ ንምዕያይ ሓለፉ እቲ ዜድሊ የምጽእ
ኣሎ፡ ኢሎም ተዛረብዎ። [6] ሽው ሙሴ፡ ሰብኣይ ኰነ ወይ ሰበይቲ ንመቕደስ ኪህብ ኢሉ ደጊም ኣይዕየ፡
ኢሎም ኣብ ሰፈር ኪእውጁ ኣዘዘ እሞ እቶም ህዝቢ ኸየምጽኡ ተኸልከሉ። [7] እቲ መተዓየዪ ንዅሉ ዚዕየ
ዕዮ ዚኣክል ነበረ፡ ተረፈ እኳ። [8] እቶም ነቲ ዕዮ ዚዐዩ ዝነበሩ ዅሎም ጥበበኛ ልቢ ዘለዎም ነቲ ማሕደር
ብዓሰርተ ዓለባ ገበርዎ። ካብ እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ሰማያዊ ሕብሪ ደምን ጵሩይ ቀይሕን
ምስናይ ብብልሓት እተዐየ ኪሩቤል ገበርዎ። [9] ምንዋሕ እቲ ሓደ ዓለባ ዕስራን ሸሞንተን እመት፡ ወርዲ
እቲ ሓደ ዓለባ ኸኣ ኣርባዕተ እመት ነበረ፡ ስፍሪ ዅሉ ዓለባታት ማዕረ ነበረ። [10] ነቲ ሓሙሽተ ዓለባታት
ንሓድሕዱ ኣጋጠሞ፡ ነቲ ሓሙሽተ ዓለባታት ድማ ንሓድሕዱ ኣጋጠሞ። [11] ኣብቲ ቀዳማይ እተጋጠመ
ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ኻብ ሰማያዊ ፈትሊ መኸንትቦታት ገበረ። ኣብቲ ኻልኣይ እተጋጠመ ድማ
ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ኸምኡ ገበረ። [12] ኣብቲ ሓደ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ገበረ። ኣብቲ ኻልኣይ
እተጋጠመ ኸኣ፡ ኣብ ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ገበረ። እቲ መኸንትቦታት ድማ
ንሓድሕዱ ኸም ዚራኸብ ገበሮ። [13] ሓምሳ ቍልፊ ወርቂ ኸኣ ገበረ እሞ ነቲ ዓለባታት በቲ ኣቍላፍ
ንሓድሕዱ ኣጋጠሞ። እቲ ድንኳን ከኣ ሓደ ኰነ። [14] ንመደረብታ እቲ ማሕደር ድማ ካብ ጸጕሪ ጤል
ዓለባታት ገበረ። ነቲ ዓለባታት ዓሰርተው ሓደ ገበሮ። [15] ምንዋሕ ሓደ ዓለባ ሰላሳ እመት፡ ወርዲ እቲ
ሓደ ዓለባ ድማ ኣርባዕተ እመት ነበረ። እቲ ዓሰርተው ሓደ ዓለባ ኸአ ስፍሩ ማዕረ ነበረ። [16] ነቲ
ሓሙሽተ ዓለባ ንበይኑ፡ ነቲ ሹዱሽተ ዓለባ ኸኣ ንበይኑ ኣጋጠሞ። [17] ኣብቲ ቀዳማይ እተጋጠመ ኣብ
ጥርዚ እቲ ወሰናይ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ገበረ። ኣብቲ ኻልኣይ እተጋጠመ ኸኣ ኣብ ጥርዚ እቲ
ወሰናይ ዓለባ ሓምሳ መኸንትቦ ገበረ። [18] እቲ መደረብታ ኺጋጠም እሞ ሓደ ኪኸውንሲ፡ ሓምሳ ቍልፊ
ኣስራዚ ገበረ። [19] ነቲ መደረብታ ድማ ካብ እተቐረጸ ቈራብቲ ደዓውል መኸደን ገበረ። ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ
ካብ ቈርበት ተሃስ ካልእ መኸደን ገበረ። [20] ነቲ ማሕደር ከኣ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ደው ዚብል ኣልዋሕ
ገበረ። [21] ምንዋሕ ሓደ ሉሕ ዓሰርተ እመት፡ ምግፋሕ ሓደ ሉሕ ከኣ እመትን ፈረቓን ነበረ። [22] ነንሓደ
ሉሕ ከክልተ ንሓድሕዱ እተጋጠመ ሸኻል ገበረ፡ ንዅሉ እቲ ኣልዋሕ ማሕደር ከምኡ ገበረ። [23] እሞ ነቲ
ማሕደር ዚኸውን ኣልዋሕ፡ ዕስራ ሉሕ ብሸነኽ ደቡብ ገበረ። [24] ኣብ ትሕቲ እቲ ዕስራ ሉሕ ድማ ካብ
ብሩር ኣርብዓ እግሪ ገይሮም፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሉሕ ነቲ ኽልተ ሸኻሉ ኽልተ እግሪ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ
ኻልእ ኣልዋሕ ከኣ ነቲ ኽልተ ሸኻሉ ኽልተ እግሪ ገበረ። [25] በቲ ኻልኣይ ወገኑ ነቲ ማሓደር፡ ብሸነኽ
ሰሜን ድማ ዕስራ ሉሕ፡ [26] ምስ ኣርብዓ ብሩር እግሩ፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሉሕ ክልተ እግሪ፡ ኣብ ትሕቲ
ሓደ ሉሕ ክልተ እግሪ ገበረ። [27] ብሸነኽ ድሕሪኡ ነቲ ማሕደር፡ ብሸነኽ ምዕራቡ ድማ ሽዱሽተ ሉሕ
ገበረ። [28] ነቲ ማሕደር ብሸነኽ ድሕሪኡ ኸኣ ንኹረንዑ ኽልተ ሉሕ ገበረ። [29] እዚ ኻብ ታሕቲ ጀሚሩ
ድርብ ነበረ፡ ክሳዕ ላዕሊ ኽሳዕ እቲ ቀዳማይ ቀለቤት፡ ብመልኡ ኸምኡ ነበረ። ንኽልቲኡ ኣብቲ ኽልተ
ኹርናዕ ከምኡ ገበረ። [30] እቲ ኣልዋሕ ሾሞንተ፡ እቲ ብሩር ኣእጋሩ ኸኣ ዓሰርተው ሹድሽተ እግሪ፡ ኣብ

ተትሕቲ ሓደ ሉሕ ክልተ እግሪ ነበረ። 31 ጋድማት ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ገበረ፡ ብሓደ ሸነኽ
ማሕደር ንዘሎ ኣልዋሕ ሓሙሽተ፡ 32 ብኻልኣይ ሸነኽ ማሕደር ንዘሎ ኣልዋሕ ከኣ ሓሙሽተ ጋድም፡
ብድሕሪ ማሕደር ብሸነኽ ምዕራብ ንዘሎ ኣልዋሕ ድማ ሓሙሽተ ጋድም ገበረ። 33 ነቲ ማእከላይ ጋድም
ከኣ ብማእከል እቲ ኣልዋሕ ገይሩ ኻብቲ ሓደ ወሰን ናብቲ ኻልኣይ ወሰን ከም ዚሐልፍ ገበሮ። 34 ነቲ
ኣልዋሕ ብወርቂ ለበጦ፡ እቲ ጋድማት ዚኣትዎ ቐላብቱ ድማ ካብ ወርቂ ገበሮ፡ ነቲ ጋድማትውን
ብወርቂ ለበጦ። 35 ነቲ መጋረጃ ድማ ምስናይ ብብልሓት ፈላጥ እተገብሩ ኪሩቤል ገይሩ፡ ካብ
ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ገበሮ። 36 ኣርባዕተ ዓንዲ ሽጢም
ድማ ገበረሉ።ብወርቂ ኸኣ ለበጦ፡ መሰቓቐሊኡውን ካብ ወርቂ ገበረ። ኣርባዕተ እግሪ ብሩር ድማ
ብፍሲ ገበረሉ። 37 መጋረጃ ኣፍ ደገ ድንኳን ከኣ ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ
ልሕጺ እንጣጢዕን ገይሩ ጠለፎ። 38 ነቲ ሓሙሽተ ኣዕኑድ ድማ ምስ መሰቓቐሊኡ ገበሮ። ነቲ ጕልላትን
ኣዛንቱን ብወርቂ ለበጦ። እቲ ሓሙሽተ እግሩ ኸኣ ኣስራዚ ነበረ።

# ምዕራፍ 37

1 በሳልኤል ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ታቦት ገበረ፡ ምንዋሑ ክልተ እመትን ፈረቓን፡ ምግፋሑ ኸኣ
እመትን ፈረቓን፡ ምብራኹውን እመትን ፈረቓን ነበረ። 2 ውሽጡን ግዳሙን ድማ ብጹሩይ ወርቂ
ለበጦ። ዙርያኡ ኸኣ ኣኽሊል ወርቂ ገበረሉ። 3 ኣርባዕተ ቐለበት ወርቂ ኣፍሲሱ ኣብ ኣርባዕቲኡ እግሩ፡
ክልተ ቐለበት ብሓደ ሸነኽ፡ ክልተ ቐለበት ከኣ ብኻልኣይ ሸነኹ ገበሮ። 4 መሰላታት ከኣ ካብ ዕጨይቲ
ሽጢም ገይሩ ብወርቂ ለበጦ። 5 እቲ ታቦት ብእኡ ምእንቲ ኺጽወር ድማ፡ ነቲ መሰላታት ናብቲ ኣብ
ጎቦታት ታቦት ዘሎ ቐላብቲ ኣእተዎ። 6 መኽደን መተዓረቒ ኸኣ ካብ ጽሩይ ወርቂ፡ ክልተ እመትን
ፈረቓን ዝምንዋሑ፡ እመትን ፈረቓን ዝምግፋሑ ገበረ። 7 ክልተ ኪሩቤል ድማ ካብ ወርቂ ገበረ።
ብምቕጥቃጥ ሰሪሑ፡ ንመኽደን መተዓረቒ ኣብ ክልተ ወሰኑ ገበሮም። 8 ሓደ ኪሩቤል በዚ ወሰንዚ፡ ሓደ
ኪሩቤል ከኣ በቲ ወሰንቲ፡ ነቶም ኪሩቤል ምስቲ መኽደን መተዓረቒ ብሓደ ገይሩ፡ ኣብ ክልቲኡ ወሰኑ
ገበሮም። 9 እቶም ኪሩቤል ከኣ ንሓድሕዶም ገጽ መሊሶም፡ ኣኽናፎም ልዕል ኣቢሎም ዘርጊሖም፡
ንመኽደን መተዓረቒ በኽናፎም ከወልዎ። ገጽ እቶም ኪሩቤል ናብ መኽደን መዓረቒ ኣቢሉ ነበረ። 10
ሰደቓ ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ገበረ፡ ምንዋሑ ኽልተ እመት፡ ምግፋሑውን እመት፡ ምብራኹ ኸኣ
እመትን ፈረቓን ነበረ። 11 ብጽሩይ ወርቂ ለበጦ፡ ነቲ ዙርያኡ ድማ ኣኽሊል ወርቂ ገበረሉ። 12 ነቲ
ዙርያኡ ኸኣ ጋት ዝምግፋሑ ክቡስ ገበረሉ፡ ነቲ ኽቡስ ከኣ ኣብ ዙርያኡ ኣኽሊል ወርቂ ገበረሉ። 13
ኣርባዕተ ቐለበት ወርቂ ኣፍሰሰሉ፡ ነተን ቀላብቲ ድማ ኣብቲ ኣርባዕተ እግሩ ዘሎ ኣርባዕተ መኣዝኑ
ገበረን። 14 እቲ ቐላብቲ፡ መሰላታት ምእንቲ ኺኣትዎ እሞ እቲ ሰደቓ ብእኡ ኺጽወር፡ ኣብ ጥቓ እቲ
ኽቡስ ነበረ። 15 እቲ ሰደቓ ብእኡ ኺጽወር፡ ነቲ መሰላታት ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ገበሮ ብወርቂ ድማ
ለበጦ። 16 እቲ ኣብ ሰደቓ ዚንበር ኣቓሑ፡ ሒላባውቱን ጭሔሎታቱን ጽዋኣቱን እቲ መስዋእቲ መስተ
ዚኽዕዉሉ ኽስኩስትታትን፡ ካብ ጽሩይ ወርቂ ገበሮ። 17 ቀዋሚ ቕንደል ድማ ካብ ጽሩይ ወርቂ ገበረ።
ንቕዋሚ ቕንዴል ምስ እግሩን ዘንጉን ብምቕጥቃጥ ገበሮ። ጽዋኣቱን ከበብቱን ዕምባባታቱን ምስኡ
ብሓደ ነበረ። 18 ካብ ጎቦታቱ ሹድሽተ ጨንፈር፡ ካብቲ ቐዋሚ ቕንዴል ብሓደ ጎቦኡ ሰለስተ ጨንፈር፡
ካብቲ ቐዋሚ ቕንዴል ብኻልኣይ ጎቦኡ ድማ ሰለስተ ጨንፈር ወጹ። 19 ኣብ ሓደ ጨንፈር፡ ዕምባባ
ለውዚ ዚመስል ሰለስተ ጽዋእ መምስ ከበብን ዕምባባን፡ ኣብቲ ኻልኣይ ጨንፈር ድማ ዕምባባ ለውዚ

ዚመስል ሰልስተ ጽዋእ መምስ ክበቡን ዕምባባን ነበረ። ኣብቲ ኻብ ቀዋሚ ቐንዴል ዝወጸ ሹድሽቲኡ
ጨንፈር ከምኡ ነበረ። 20 ኣብቲ ቐዋሚ ቐንዴል ከኣ ዕምባባ ለውዚ ዚመስል ኣርባዕተ ጽዋእ መምስ
ክበቡን ዕምባባታቱን ነበረ። 21 ኣብ ትሕቲ እቲ ኻብኡ ዝወጸ ኽልተ ጨንፈር ሓደ ኽበብ፡ ኣብ ትሕቲ
እቲ ኻብኡ ዝወጸ ኽልተ ጨንፈር ከኣ ሓደ ኽበብ፡ ኣብ ትሕቲ እቲ ኻብኡ ዝወጸ ኽልተ ጨንፈር ድማ
ሓደ ኽበብ። እሞ እቲ ኻብኡ ዝወጸ ሹድሽተ ጨንፈር ከምኡ ነበረ። 22 ከበብቶምን ጨናፍሮምን ምስኡ
ሓደ ነበረ። ኵሉ ኻብ ጽሩይ ወርቂ ብምቕጥቃጥ ሓደ ኹይኑ ተሰርሔ። 23 ሾብዓተ ቐልዒ ቐንዴል ድማ
ገበረሉ፡ መሳቐዪኡን መዋህለል ርስሓቱን ካብ ጽሩይ ወርቂ ገበረሉ። 24 ንእኡን ንኹሉ ኣቓሑኡን ብሓደ
ታለንት ጽሩይ ወርቂ ገበሮ። 25 መሰውኢ ዕጣን ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ገበረ። ምንዋሑ እመት፡
ምግፋሑ ኸኣ እመት፡ በርባዕቲኡ ወገን ማዕረ፡ ምብራኹ ድማ ክልተ እመት፡ ኣቐርንቱ ኸኣ ምስኡ ሓደ
ነበረ። 26 ላዕላዩን ጎቦታት ዙርያኡን ኣቐርንቱን ብጽሩይ ወርቂ ለበጦ፡ ዙርያኡ ድማ ኣኽሊል ወርቂ
ገበረሉ። 27 ክልተ ቐለቤት ወርቂ ገይሩ ኸኣ ብኽልተ ጎቦኡ ኣብ ትሕቲ እቲ ኣኽሊል ገበሮ። እቲ
መሰላታት ምእንቲ ኺኣትዎ ብእኡ ኺጽወር፡ ብኽልተ ሸነኹ ኣጥበቖ። 28 ነቲ መሰላታት ከኣ ካብ
ዕጨይቲ ሽጢም ገይሩ፡ ብወርቂ ለበጦ። 29 ነቲ ቅዱስ ዘይቲ ቕብኣትን ነቲ ጽሩይ ምኡዝ ዕጣንን ድማ
ከም ብልሓት እቶም ገበርቲ ጥዑም ጨና ገበሮ።

# ምዕራፍ 38

1 መሰውኢ ምሕራር ድማ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ገበረ፡ ምንዋሑ ሓሙሽተ እመት፡ ምግፋሑ፡ ኸኣ
ሓሙሽተ እመት፡ ኣርባዕተ መኣዝኑ ማዕረ፡ ምብራኹ ድማ ሰለስተ እመት። 2 ኣብ ኣርባዕቲኡ መኣዝኑ
ኸኣ ኣቐርንቲ ገበረሉ፡ እቲ ኣቐርንቱ ምስኡ ሓደ ነበረ፡ በስራዚ ድማ ለበጦ። 3 ኵሉ ኣቓሑ መሰውኢ ኸኣ
ገበረ፡ መኣከብ ሓሙኹስትን መጽሓርያን ጭሔሎን መውግእ ስጋን ምድጃን፡ ንኹሉ ኣቓሑኡ ኻብ
ኣስራዚ ገበሮ። 4 ንመሰውኢ ዚኸውን ከም መንፊት ዝበለ መጋረዲ ኻብ ኣስራዚ ገይሩ ኣብ ትሕቲ
ኣርከኑ፡ ብሸነኽ ታሕቲ ኽሳዕ ፍርቁ ዚበጽሕ ገበሮ። 5 ነቲ ኣርባዕተ መኣዝን መጋረዲ ኣስራዚ ኸኣ
መሰላታት ኪኣትዎ፡ ኣርባዕተ ቐለቤት ኣፍሰሰሉ። 6 መሰላታት ከኣ ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ገበረ፡ በስራዚ
ኸኣ ለበጦ። 7 ነቲ መሰላታት ከኣ፡ ብእኡ ኪጽወር፡ ናብቲ ኣብ ጎቦታት መሰውኢ ዘሎ ቐላብቲ ኣእተዎ።
ካብ ሉሕ ጓንጓ ገይሩ ሰርሖ። 8 ገበላ ድማ ካብ ኣስራዚ፡ ኣጋሮኡውን ካብ ኣስራዚ ገበረ፡ ካብ
መስትያታት እተን ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን መርኻብ ዜገልግላ ዝነበራ ኣንስቲ ገበሮ። 9 ኣጸድ ድማ ገበረ።
ነቲ ኣጸድ ብሸነኽ ደቡብ፡ ካብ እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕ ሚእቲ እመት ዝምንዋሑ መጋረጃታት
ገበሮ። 10 ኣዕኑዱ ዕስራ፡ ኣእጋሩውን ዕስራ ኻብ ኣስራዚ ነበረ፡ ናብቲ ኣዕኑድ መሰቓቐልን ኣዛንግን ከኣ
ካብ ብሩር ነበረ። 11 ብሸነኽ ሰሜን ድማ ሚእቲ እመት፡ ኣዕኑድ ዕስራ፡ ኣእጋሩ ኸኣ ዕስራ ኻብ ኣስራዚ፡
ናይቲ ኣዕኑድ መሰቓቐልን ኣዛንግን ከኣ ካብ ብሩር ነበረ። 12 ብሸነኽ ምዕራብ ድማ ሓምሳ እመት
ዝምንዋሑ መጋረጃታት፡ ኣዕኑድ ዓሰርተ፡ ኣእጋሩውን ዓሰርተ፡ ናይቲ ኣዕኑድ መሰቓቐልን ኣዛንግን ከኣ
ካብ ብሩር ነበረ። 13 ብሸነኽ ምብራቕ፡ በቲ ጸሓይ እትወጸሉ ድማ ሓምሳ እመት ነበረ። 14 ነቲ ኣፍ ደገ
ብሓደ ሸነኹ ዓሰርተው ሓሙሽተ እመት መጋረጃ ምስ ሰለስተ ዓንድን ሰለስተ እግርን ነበረ። 15 ከምኡ
ድማ ብኻልኣይ ሸነኽ፡ እሞ እቲ ኣፍ ደገ ኣጸድ በዝን በትን ዐዓሰርተው ሓሙሽተ እመት መጋረጃታት
ምስ ሰለስተ ዓንዱን ሰለስተ እግሩን ነበሮ። 16 ኵሉ መጋረጃታት ዙርያ እቲ ኣጸድ ካብ እተፋሕሰ ልሕጺ
እንጣጢዕ ነበረ። 17 ኣእጋር እቲ ኣዕኑድ ድማ ካብ ኣስራዚ ነበረ። ናይቲ ኣዕኑድ መሰቓቐልን ኣዛንግን ከኣ

ካብ ብሩር ነበረ። ጕልላት እቲ ኣዕኑድ ድማ ብብሩር ተለቢጡ ነበረ፡ ኵሉ ኣዕኑድ እቲ ኣጸድውን ኣዛንግ
ብሩር ነበሮ። 18 መጋረጃ ኣፍ ደገ ኣጸድ ድማ ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕስ
ልሕጺ እንጣጢዕን ተጠልፈ፡ ምንዋሑ ዕስራ እመት፡ ቍመቱ ኸኣ ብምግፋሑ ኸምቲ መጋረጃታት
ኣጸድ ሓሙሽተ እመት ነበረ። 19 ኣዕኑዱ ኣርባዕተ፡ ኣእጋሩውን ኣርባዕተ ኻብ ኣስራዚ ነበረ፡ መሰቓቕሊኡ
ኸኣ ካብ ብሩር ነበረ፡ ጕልላቱን ኣዛንጉን ብብሩር ተለበጠ፡ 20 ኵሉ ሸኻውልቲ ማሕደርን ናይቲ ኣጸድ
ብዙርያኡን ካብ ኣስራዚ ነበረ። 21 ጸብጻብ ናይቲ ማሕደር፡ ናይ ምስክር ማሕደር፡ ብትእዛዝ ሙሴ፡
ንኣልግሎት ሌዋውያን ብኢድ ኢታማር፡ ወዲ ኻህን ኣሮን፡ እተጸብጸበ እዚ እዩ። 22 በሳልኤል፡ ወዲ ኡሪ
ወዲ ሁር ካብ ነገድ ይሁዳ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ኹሉ ገበረ። 23 ኦሆልያብ፡ ወዲ
ኣሒሳማኽ ካብ ነገድ ዳን ከኣ፡ ምስኡ ነበረ፡ ንሱ ቐራጽን ብሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን
ልሕጺ እንጣጢዕን ብልሓተኛ ኣላምን ጠላፍን ነበረ። 24 እቲ ንኹሉ ዕዮ ቤተ መቕደስ ንመስርሒ ዝኾነ
ኹሉ ወርቂ፡ እቲ እተዋህበ ወርቂ፡ ብሲቃል መቕደስ ዕስራን ትሽዓተን ታለንትን ሾብዓተ ሚእትን ሰላሳን
ሲቃልን ኰነ። 25 ካብቶም ናይ ኣኼባ እተቘጽሩ እተዋህበ ብሩር ድማ ብሲቃል መቕደስ ሚእቲ ታለንትን
ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን ሲቃል ኰነ። 26 ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ካብቶም በቲ ቍጽሪ
ዝሐለፉ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ፡ እሞ ካብ ሹድሽተ ሚእትን ሰለስተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን
ሓምሳን ሰብ ሓደ ቤቃ፡ ንሱ ኸኣ ፈረቓ ሲቃል መቕደስ፡ በጽሔ። 27 እቲ ሚእቲ ታለንት ብሩር ድማ
ንምፍሳስ ኣእጋር መቕደስን ኣእጋር መጋረጃን፡ ሚእቲ ታለንት ንሚእቲ እግሪ፡ ሓደ ታለንት ንሓደ እግሪ
ኾነ። 28 በቲ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን ሲቃል ድማ ነቲ ኣዕኑድ መሰቓቕሊ ገበረሉ፡
ንጕልላቱ ኸኣ ለበጦ፡ ኣዛንግውን ገበረሉ። 29 እቲ እተዋህበ ኣስራዚ ድማ ሰብዓ ታለንትን ክልተ ሽሕን
ኣርባዕተ ሚእትን ሲቃል እዩ። 30 ብእኡ ኣእጋር ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብን መሰውኢ ኣስራዝን ናይ
ኣስራዚ መጋረዲኡን ኵሉ ኣቓሑ መሰውእን፡ 31 ኣእጋር ኣጸድ ብዙርያኡን ኣእጋር ኣፍ ደገ ኣጸድን ኵሉ
ሸኻውልቲ ማሕደርን ኵሉ ሸኻውልቲ ኣጸድ ናይ ብዙርያኡን ገበረ።

## ምዕራፍ 39

1 ድማ ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ኣብ መቕደስ ዜገልግሉሉ ኣልባስ ኣገልግሎት
ኣጸቢቑም ገበሩ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ድማ ንኣሮን ቅዱሳት ኣልባስ ገበሩሉ። 2 ነቲ ኤፎድ
ካብ ወርቅን ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ገበሮ። 3 ነቲ ወርቂ
ቐጥቂጦም ኣርቀቕዎ፡ ምስ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ እንጣጢዕን ብናይ ፈላጥ
ብልሓት ኪእለም፡ ከም ፈትሊ ገይሮም ቀደድዎ። 4 ንሓድሕዱ እተላገበ መናኩብ ገበሩሉ፡ ንሓድሕዱ
ብኽልቲኡ ወሰኑ ተላገበ። 5 እቲ ኣብ ልዕሊ ኤፎድ ዝነበረ እሞ ዝዕጠቕ ብብልሓት እተገብረ ቕናት ድማ
ሓደ ዓይነት ዝስራሑ ምስኡ ብሓደ ነበረ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ካብ ወርቅን ሰማያዊ
ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ተገብረ። 6 ኣዕናቑ እምኒ ብትትዖ ወርቂ
እተኸበ፡ ከም ኣቓራርጻ ማሕተም ስም ደቂ እስራኤል እተቐርጾ ገበሩ። 7 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ
ዝኣዘዞ ድማ፡ እቲ ኣእማን ንመዘከርታ ደቂ እስራኤል ኪኸውን፡ ኣብ መንኵብ ኤፎድ ገበሮ። 8 ነቲ ሳንቃ
ኣፍ ልቢ ድማ ብብልሓት ፈላጥ እተገብረ፡ ከምቲ ስራሕ ኤፎድ ገይሩ ኻብ ወርቅን ሰማያዊ ሕብሪ
ደምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ገበሮ። 9 ኣርባዕቲኡ መኣዝኑ ማዕረ ነበረ፡ ነቲ ሳንቃ
ኣፍ ልቢ ድርብ ገበርዎ፡ ምንዋሑ ስድሪ፡ ወርዱ ኸኣ ስድሪ፡ ድርብ ነበረ። 10 ኣርባዕተ መስርዕ ኣዕናቑ

ከኣ ኣዛነቑሉ። ኣብ ቀዳማይ መስርዕ፥ ሳርድዮንን ቶጳዝዮንን ስመራግዶስን። [11] ኣብ ካልኣይ መስርዕ
ድማ፥ ሰመንጉንን ሰፊሮስን ኣልማዝን። [12] ኣብ ሳልሳይ መስርዕ ከኣ፥ ህያኪቶስን ኣካትን ኣሜቲስጦስን። [13]
ኣብ ራብዓይ መስርዕ ድማ፥ ክሪሶሊትን ኦኒክስን ያስጲስን። ኣብቲ መዛነቒኡ ብትትዖ ወርቂ ተኸቢቡ
ነበረ። [14] እቲ ኣእማን ድማ ከምቲ ስማት ደቂ እስራኤል፡ ከምቲ ስሞም ዓሰርተው ክልተ ነበረ። ነቶም
ዓሰርተው ክልተ ነገድ ነፍሲ ወከፍ በብስሙ ኸም ቅርጺ ማሕተም ተቐርጸ። [15] ኣብ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ድማ
ሰንሰላታት ካብ ጽሩይ ወርቂ ኸም ኣገባብራ ገመድ ብምጥዋይ ገበሩ። [16] ክልተ ትትዖ ወርቅን ክልተ
ቐለቤት ወርቅን ገበሩ እሞ ነቲ ኽልተ ቀለቤት ኣብ ክልተ መኣዝን ሳንቃ ኣፍ ልቢ ገበርዎ። [17] ነቲ ኽልተ
ትትዖ ወርቂ ድማ ኣብቲ ኽልተ ቐለቤት ኣብ ወሳስን ሳንቃ ኣፍ ልቢ ገበርዎ። [18] ኽልተ ኻልእ ኣምፈ
ናይቲ ኽልተ ትትዖ ድማ ኣብቲ ኽልተ መዛነቒ ኣጋጢሞም፡ ኣብቲ ኽልተ መንኩብ ኤፎድ ብሸነኽ
ቅድሚት ገበርዎ። [19] ክልተ ቐለቤት ወርቂ ሰሪሖም ድማ ናብቲ ኽልተ ወሰን ሳንቃ ኣፍ ልቢ ኣብ ሸነኽ
ኤፎድ ዘሎ ውሽጣዊ ጥርዚ ገበርዎ። [20] ድማ ክልተ ቐለቤት ወርቂ ገበሩ እሞ ኣብ ክልቲኡ መንኩብ
ኤፎድ ብታሕቲ ብሸነኽ ቅድሚት ኣብ ልዕሊ እቲ ብብልሓት እተገብረ ቕናት ኤፎድ ኣብ ጥቓ እቲ
ዚጋጠመሉ ገበርዎ። [21] እቲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ኣብ ልዕሊ እቲ ብብልሓት እተገብረ ቕናት ኤፎድ ኪኸውን፡
ካብቲ ኤፎድ ድማ ከይፈስስ፡ ነቲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ብቐላብቱ ምስ ቀላብቲ ኤፎድ ብሰማያዊ ገመድ
ኣሰርዎ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ገበሩ። [22] ነቲ ናይ ኤፎድ ቀምሽ ላዕሊ ድማ ኩሉ ብሰማያዊ
ኻብ እተኣልመ ዓለባ ገበሮ። [23] እቲ ኣብ ማእከል እቲ ቐምሽ ዘሎ ኣፍ ምእንቲ ኸይቅደድ፡ ከም ኣፍ
ድርዒ ገይሩ ነቲ ኣፍ ዙርያኡ ቐምቀሞ። [24] ነቲ ቐምሽ ከኣ ኣብ ታሕታይ ዘፈሩ ኻብ ሰማያውን ሕብሪ
ድምን ጽሩይ ቀይሕን እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕን ሮማናት ገበሩሉ። [25] ቃጽላት ካብ ጽሩይ ወርቂ
ገይሮም ድማ፡ ነቲ ቓጽላት ኣብ መንጎ እቲ ሮማናት፡ ኣብ ዘፈር እቲ ቐምሽ ዙርያኡ ኣብ መንጎ ሮማናት
ገበርዎ። [26] ምእንቲ ኼገልግሉሉ፡ ሓደ ቓጽልን ሓደ ሮማንን፡ ኣብ ዘፈር እቲ ቐምሽ ብዙርያኡ ገበሩ።
ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ገበሩ። [27] ንኣሮንን ንደቁን ድማ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ ብማእለማ
እተኣለመ ቐመውሽ ታሕትን፡ [28] መጠምጠምያ ኸኣ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ፡ ጌጸኛ ቀበውዕ ድማ ካብ
ልሕጺ እንጣጢዕ፡ ስሬታትውን ካብ እተፋሕሰ ልሕጺ እንጣጢዕ፡ [29] እቲ ኻብ እተፋሕሰ ልሕጺ
እንጣጢዕን ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ብምጥላፍ እተዐየ ቕናት ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር
ንሙሴ ዝኣዘዞ ገበሩ። [30] ነቲ ቅዱስ ኣኽሊል ድማ ወርቂ ብሊቃ ገበሩሉ፡ ኣብኡ ኸኣ ከም ኣቓራርጻ
ማሕተም ገይሮም፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ፡ ዚብል ጽሕፈት ጸሐፉሉ። [31] ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ
ዝኣዝዞ ኸኣ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መጠምጠምያ ኺእሰር፡ ኣብኡ ሰማያዊ ፍሕሶ ገበሩሉ። [32] ከምኡ ኹሉ ዕዮ
ማሕደር ድንኳን ምርኻብ ተወድኤ። ደቂ እስራኤል ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ኹሉ ገበሩ፡
ከምኡ ገበሩ። [33] ድማ ነቲ ማሕደር፡ ነቲ ድንኳንን ኵሉ ኣቓሑኡን ኣቑላፉን ኣልዋሑን ጋድማቱን
ኣዕኑዱን ኣእጋሩን ናብ ሙሴ ኣምጽእዎ። [34] እቲ መደረብታ እተቐርጸ ቈራብቲ ደዓውልን እቲ መደረብታ
ቈራብቲ ተሃስን እቲ ዚጋረድ መጋረጃን፡ [35] ታቦት ምስክርን መሰላታቱን መኽደን መተዓረቕን፡ [36] እቲ
ሰደቓ ምስ ኵሉ ኣቓሑኡን እንጌራ ምርኣይን፡ [37] እቲ ጽሩይ ቀዋሚ ቐንዴል ምስ ቅልዒ ቐነዲሉ፡ እቲ
ዚዳሎ ቕልዒ ቐነዲልን ኵሉ ኣቓሑኡን ዘይቲ ንቐዋሚ ቐንዴልን፡ [38] መሰውኢ ወርቅን ዘይቲ ቕብኣትን
ምኡዝ ዕጣንን መጋረጃ ኣፍ ደገ ድንኳንን፡ [39] መሰውኢ ኣስራዚ፡ እቲ መጋረዲኡ ኣስራዚ፡ መሰላታቱን
ኵሉ ኣቓሑኡን ገበራን ኣጋሮኡን፡ [40] መጋረጃታት ኣጸድ፡ ኣዕኑዱን ኣእጋሩን መጋረጃ ኣፍ ደገ ኣጸድን፡
ኣግማዱን ሾኻውልቱን ኵሉ ኣቓሑ ንኣገልግሎት ማሕደር ንድንኳን ምርኻብ። [41] እቲ ንኣገልግሎት
መቕደስ ዚኸውን ኣልባስ ኣገልግሎት፡ ቅዱሳት ኣልባስ ኣሮን፡ ካህንን ናይ ደቁ ኣልባስ ክህነትን፡ [42]

ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ኹሉ፡ ደቂ እስራኤል ንኹሉ ዕዮ ኸምኡ ገበርዎ። 43 ሙሴ ድማ
ንኹሉ ዕዮ ረኣዮ፡ እንሆ ኸኣ ገይሮምዎ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ፡ ከምኡ ገበሩ። ሙሴ ድማ
መረቖም።

# ምዕራፍ 40

1 እግዚኣብሄር ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ብቐዳመይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ኸኣ ብቐዳመይቲ
መዓልቲ ነቲ ማሕደር ድንኳን ምርኻብ ትተኽሎ። 3 ነቲ ታቦት ምስክር ድማ ኣብኡ ኣንብሮ፡ ነቲ መጋረጃ
ኸኣ ኣብ ቅድሚ ታቦት ጋርዶ። 4 ነቲ ሰደቓ ናብኡ ኣእቲኻ ድማ፡ እቲ ኣብኡ ዚነበር ኣቓሑ ስርዓሉ።
ቀዋሚ ቐንዴል ኣእቲኻ ኸኣ፡ እቲ ቐነዲሉ ኣንብረሉ። 5 ነቲ መዕጠኒ መሰውኢ ወርቂ ድማ ኣብ ቅድሚ
ታቦት ምስክር ኣንብሮ፡ ነቲ መጋረጃ ኸኣ ኣብ ኣፍ ደገ ማሕደር ግበሮ። 6 ነቲ መሰውኢ ምሕራር ድማ
ኣብ ቅድሚ ኣፍ ደገ ማሕደር ድንኳን ምርኻብ ግበሮ። 7 ነቲ ገበራ ድማ ኣብ መንጎ ድንኳን ምርኻብን
መሰውእን ኣንብሮ፡ ማይ ከኣ ግበረሉ። 8 ነቲ ኣጸድ ድማ ኣብ ዙርያኡ ግበሮ፡ ነቲ መጋረጃ ኸኣ ኣብ ኣፍ
ደገ እቲ ኣጸድ ግበሮ። 9 ዘይቲ ቕብኣት ወሲድካ ኸኣ ነቲ ማሕደርን ኣብኡ ንዘሎ ኹሉን ቀባእ፡ ንእኡን
ንኹሉ ኣቓሑኡን ቀድሶ እሞ ቅዱስ ይኸውን። 10 ንመሰውኢ ምሕራርን ንኹሉ ኣቓሑኡን ድማ ቅብኣዮ፡
ነቲ መሰውኢ ቐድሶ እሞ እቲ መሰውኢ ቅዱስ ቅዱሳን ይኸውን። 11 ነቲ ገበራን ንኣጋሮኡን ከኣ ቅብኣዮን
ቀድሶን። 12 ንኣሮንን ንደቁን ድማ ናብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ኣቕሪብካ ብማይ ሕጸቦም። 13 ንኣሮን
እቲ ቅዱስ ኣልባስ ከዲንካ ድማ ካህነይ ኪኸውን፡ ቅብኣዮን ቀድሶን። 14 ንደቁ ኸኣ ኣቕሪብካ ቐመውሽ
ታሕቲ ኽደኖም። 15 ነቦኦም ከም ዝቐባእካዮ፡ ንኣታቶም ድማ ካህናተይ ኪኾኑኒ ቕብኣዮም። እቲ
ምቕባኦም ከኣ ንውሉድ ወለዶኦም ንኽህነት ዘለኣለም ይኹነሎም። 16 ሙሴ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር
ዝኣዘዞ ኹሉ ገበረ፡ ከምኡ ገበረ። 17 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ማሕደር ኣብ ቀዳመይቲ ወርሒ ኣብ ካልኣይቲ
ዓመት፡ በታ ወርሒ ድማ ኣብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ተተኽለ። 18 ሙሴ ኸኣ ነቲ ማሕደር ኣቘሞ፡ ኣእጋሩ
ተኺሉ ነቲ ኣልዋሑ ደው ኣበሎ፡ ጋድማቱ ኣእተወ ኣዕኑዱውን ተኸለ። 19 ነቲ ድንኳን ከኣ ብልዕሊ እቲ
ማሕደር ዘርግሖ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ መደረብታ እቲ ድንኳን ገበረ። ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ
ገበረ። 20 ነቲ ምስክር ወሲዱ ኸኣ ናብ ታቦት ኣእተዎ እሞ ነቲ ታቦት መሰላታት ገበረሉ፡ ነቲ መኽደን
መተዕረቒ ከኣ ኣብ ልዕሊ ታቦት ኣንበሮ። 21 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ነቲ ታቦት ናብ ውሽጢ
ማሕደር ኣእተዎ፡ ነቲ ዚጋርድ መጋረጃ ድማ ሰቐሎ እሞ ነቲ ታቦት ምስክር ጋረደሉ። 22 ነቲ ሰደቓ ከኣ
ኣብ ድንኳን ምርኻብ ብሸነኽ ሰሜን ማሕደር፡ ብወጻኢ እቲ መጋረጃ ገበሮ። 23 ነቲ ዚስራዕ እንጌራ
ድማ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ኣብ ልዕሊኡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰርዖ። 24 ነቲ ቐዋሚ
ቀንዴል ድማ ኣብቲ ድንኳን ምርኻብ፡ ኣብ መንጽር ሰደቓ ብሸነኽ ደቡብ ማሕደር ኣንበሮ። 25 ነቲ
ቕልዒ ቐንዴል ከኣ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብርሆ፡ 26 ነቲ
መሰውኢ ወርቂ ድማ ናብ ድንኳን ምርኻብ ኣብ ቅድሚ መጋረጃ ኣንበሮ። 27 ከምቲ እግዚኣብሄር
ንሙሴ ዝኣዘዞ ድማ፡ ኣብኡ ምኡዝ ዕጣን ዐጠነ፡ 28 ነቲ መጋረጃ ኸኣ ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ማሕደር ገበሮ።
29 ነቲ መሰውኢ ምሕራር ድማ ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ማሕደር ድንኳን ምርኻብ ኣንበሮ እሞ፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ዚሐርር መስዋእቲ መስዋእቲ ብልዕን ኣብኡ ኣዕረገ። 30 ነቲ ገበራ ድማ ኣብ
መንጎ ድንኳን ምርኻብን መሰውእን ኣንቢሩ፡ ንምሕጻብ ዚኸውን ማይ ኣዕረቐሉ። 31 ሙሴን ኣሮንን
ደቁን ከኣ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ካብኡ ይሕጸቡ ነበሩ። 32 ናብ ድንኳን ምርኻብ ምስ ኣተዉን፡ ናብ

መሰውኢ ምስ ቀረቡን፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ይሕጸቡ ነበሩ። [33] ኣብ ዙርያ ማሕደርን መሰውእን ከኣ ኣጸድ ኣቘመ፡ ነቲ ኣፍ ደገ መጋረጃ ጋረደሉ። ሙሴ ከኣ ነቲ ዕዮ ፈጸሞ። [34] ሽዑ ነቲ ድንኳን ምርኻብ ደበና ኣጒልበቦ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ማሕደር መልኦ። [35] እቲ ደበና ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዝዐረፈ፡ እቲ ኽብሪ እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ማሕደር መሊእዎ ስለ ዝነበረ፡ ሙሴ ናብ ድንኳን ምርኻብ ኪኣቱ ኣይከኣለን። [36-38] ብዅሉ እቲ ምጒዓዞም ደበና እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ዅሉ ቤት እስራኤል ብመዓልቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ማሕደር ነበረ፡ ብለይቲ ኸኣ ሓዊ ነበሮ እሞ፡ ደቂ እስራኤል ብዅሉ ምጒዓዞም እቲ ደበና ኻብ ልዕሊ እቲ ማሕደር ምስ ዚልዐል፡ ይነቕሉ ነበሩ። እቲ ደበና እንተ ዘይተላዕለ ግና፡ ክሳዕ እታ ዚልዐለላ መዓልቲ ኣይነቕሉን ነበሩ።

# ኦሪት ዘሌዋውያን

## ምዕራፍ 1

1 እግዚኣብሄር ንሙሴ ጸውዖ፡ ካብቲ ድንኳን ምርኻብ ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ 2 ንደቂ እስራኤል
ተዛረቦም በሎም ከኣ፥ ካባኻትኩም ሰብ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ምስ ዜቕርብ፡ መስዋእትኹም ካብ
ማል፡ ካብ ኣሓን ካብ ጤለበጊዕን ኣቕርቡ። 3 እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኻብ ኣሓ እንተ ኾነ፡ ጕደሎ ዜብሉ
ተባዕታይ የቕርብ፡ እሞ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፍትዊ ኪኸውን፡ ናብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ
የቕርቦ። 4 ኣብ ርእሲ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኢዱ የንብር እሞ ንምትዕራቑ ቕቡል ይኸውን። 5 ነቲ
ዝራብዕ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይሕረዶ፡ ነቲ ደሙ ኸኣ ደቂ ኣሮን፡ እቶም ካህናት፡ የቕርብዎ፡
ነቲ ደም ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ዘሎ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ይንጸግዎ። 6
ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ፡ ቈርበቱ ጠቢሑ፡ በብኽፍሉ ይቖረጾ። 7 ደቂ ኣሮን፡ እቲ ኻህን ድማ ኣብ
መሰውኢ ሓዊ ይእጐዱ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓዊ ኸኣ ዕጨይቲ ይጸፍጽፉ። 8 እቶም ካህናት፡ ደቂ ኣሮን
ድማ ነቲ ኽፍልታት፡ ርእስን ስብሕን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ መሰውኢ፡ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ዘሎ ዕጨይቲ
ይሰርዕዎ። 9 ነቲ ናውቲ ኸብዱን ኣእጋሩን ግና ብማይ ይሕጸቦ እሞ እቲ ኻህን ንዂሉ ንዚሐርር
መስዋእቲ፡ ንመስዋእቲ ሓዊ፡ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ኣብቲ መሰውኢ የሕርሮ። 10 እቲ መስዋእቲ
ኻብ ጤለበጊዕ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ካብ ኣባጊዕ ወይ ካብ ኣጣል፡ ጕደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ንዚሐርር
መስዋእቲ የቕርቦ። 11 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ ንመሰውኢ ብሸነኽ ሰሜኑ፡ ይሕረዶ። እቶም ካህናት፡
ደቂ ኣሮን ድማ ነቲ ደሙ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ይንጸግዎ። 12 በብኽፍሉ ምስ ርእስን
ስብሑን ይቖረጾ፡ እቲ ኻህን ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ መሰውኢ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ዘሎ ዕጨይቲ
ይስርዓዮ። 13 ነቲ ናውቲ ኸብዱን ኣእጋሩን ግና ብማይ ይሕጸቦ፡ እቲ ኻህን ድማ ንዂሉ የቕርቦ፡ ኣብ
መሰውኢ ኸኣ የሕርሮ። እዚ ዚሐርር መስዋእቲ። መስዋእቲ ሓዊ፡ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና እዩ። 14
እቲ ንእግዚኣብሄር ዚስውእ ዚሐርር መስዋእቲ ኻብ ኣዕዋፍ እንተ ደኣ ኾይኑ፡ ካብ ባሬቶታት ወይ ካብ
ጨጨዊት ርግቢ መስዋእቱ የቕርብ። 15 እቲ ኻህን ድማ ናብ መሰውኢ ኣቕሪቡ፡ ነቲ ርእሱ ይጥወዮ፡
ኣብ መሰውኢ ኸኣ የሕርሮ፡ እቲ ደሙ ኸኣ ኣብ ጎቦ መሰውኢ ይጸመቑ። 16 ጭንጭራኡ ምስናይ ፈርሱ
ናብ ጎቦ መሰውኢ ብሸነኽ ምብራቕ ናብቲ ስፍራ ሓመኹስቲ ይደርብዮ። 17 በኽናፉ ይጭድዶ፡ ግናኸ
ኣይፈላልዮ፡ እቲ ኻህን ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ መሰውኢ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ዘሎ ዕጨይቲ የሕርሮ፡ እዚ
ዚሐርር መስዋእቲ፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና እዩ።

## ምዕራፍ 2

1 ሓደ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ብልዒ ምስ ዜቕርብ፡ እቲ መስዋእቱ ኻብ ድኹም ሓርጭ ይኹን፡ ዘይቲ
ይኽዐወሉ፡ ዕጣንውን ይግበሩሉ። 2 ናብ ካህናት፡ ደቂ ኣሮን፡ የምጽኣዮ፡ እቲ ኻህን ድማ ካብቲ ድኹም
ሓርጨን ካብቲ ዘይቱን ምሉእ ኢድ ወሲዱ፡ ምስ ኲሉ እቲ ዕጣኑን ገይሩ ንመዘከርታኡ ኣብ መሰውኢ
የሕርሮ፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና እዩ። 3 እቲ ኻብ መስዋእቲ ብልዒ ዝተረፈ ንኣሮንን
ንደቁን ይኹን። እዚ ኻብቲ ንእግዚኣብሄር ብሓዊ እተሰውኤ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። 4 መስዋእቲ ብልዒ ኣብ

እቶን ካብ እተሰንከተ ምስ እተቕርብ ድማ፡ ካብ ድኹም ሓርጭ ብዘይቲ እተቘምጥዔ፡ ዘይበኹዔ
ቅጫታትን ዘይቲ እተለኽየ፡ ዘይበኹዔ ረቀቕቲ ቅጫታትን ይኹን። [5] መስዋእትኻ ኣብ መቕሎ ኻብ
እተሰንከተ እንተ ኾይኑ፡ ካብ ድኹም ሓርጭ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ዘይበኹዔ ይኹን። [6] ቈራሪስካ ኸኣ
ዘይቲ ኽዐወሉ፡ ንሱ መስዋእቲ ብልዒ እዩ። [7] መስዋእስትኻ ኣብ ቀኣራዕ እተገብረ መስዋእቲ ብልዒ እንተ
ኾነ፡ ካብ ድኹም ሓርጭ ምስ ዘይቲ ይገበር። [8] እቲ ኻብዚ ነገርዚ እተገብረ መስዋእቲ ብልዒ ናብ
እግዚኣብሄር ኣምጽኣዮ፡ ናብቲ ኻህን ድማ ኣቕርቦ፡ ንሱ ኸኣ ናብ መሰውኢ የቕርቦ። [9] እቲ ኻህን ድማ
ካብቲ መስዋእቲ ብልዒ ንመዘከርታ ዚኸውን ኣልዒሉ፡ ኣብ መሰውኢ የሕርሮ። መስዋእቲ ሓዊ
ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና እዩ። [10] እቲ ኻብ መስዋእቲ ብልዒ ዝተረፈ ድማ ንኣሮንን ንደቁን ይኹን።
እዚ ኻብቲ ንእግዚኣብሄር ብሓዊ እተገብረ መስዋእቲ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። [11] እቲ ንእግዚኣብሄር
እተቕርብዎ መስዋእቲ ብልዒ ገለ እኳ ብኹዕ ኣይገበር። ካብ ብኹዕ ኰነ ወይ ካብ መዓር ንእግዚኣብሄር
ገለ እኳ መስዋእቲ ሓዊ ኣይተሕርሩ። [12] ከም መስዋእቲ ቐዳማይ ፍረ ናብ እግዚኣብሄር ኣቕርብዎ፡ ግናኸ
ከም ጥዑም ጨና ኣብ መሰውኢ ኣይገበር። [13] ንኹሉ ናይ ብልዒ መስዋእትኻ ብጨው ኣቃምሞ፡ ኣብቲ
ናይ ብልዒ መስዋእትኻ ጨው ኪዳን ኣምላኽካ ኣይተትርፈሉ፡ ኣብ ኩሉ መስዋእትኻ ጨው ኣቕርብ።
[14] ካብ በኹሪ ፍርያት ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ብልዒ እንተ ኣቕረብካ፡ ካብ በኹሪ ፍርያትካ ልምሉም
እተበቘጸ ኣብ ሓዊ እተጠብሰ ሰዊት ንመስዋእቲ ብልዒ ኣቕርብ። [15] ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዘይቲ ኽዐወሉ
ዕጣንውን ግበረሉ። እዚ መስዋእቲ ብልዒ እዩ። [16] እቲ ኻህን ከኣ ካብቲ ሕሱይ እኽልን ካብቲ ዘይትን
ምስ ኩሉ ዕጣን ገይሩ ንመዘከርታ የሕርሮ። ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ እዩ።

## ምዕራፍ 3

[1] መስዋእቱ ድማ መስዋእቲ ምስጋና እንተ ኾይኑ፡ እሞ ካብ ኣሓ እንተ ኣቕረበ፡ ተባዕታይ ወይ
ኣንስተይቲ፡ ጕደሎ ዜብሉ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የቕርብ። [2] ኢዱ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ርእሲ እቲ
መስዋእቱ የንብር፡ ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ድማ ይሕረዶ። ነቲ ደሙ ኸኣ ካህናት፡ ደቂ ኣሮን፡
ኣብ ልዕሊ መሰውኢ፡ ኣብ ዙርያኡ ይንጸግዎ። [3] ካብ መስዋእቲ ምስጋና ድማ እቲ ንናውቲ ኸብዲ
ዚኸድን ስብሕን ኣብ ኣምዑት ዘሎ ኹሉ ስብሕን ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ የቕርበሉ። [4] ድማ
ክልቲኤን ኩሊት ምስቲ ኣብ ሸምጢ ውሽጢ ዘሎ ስብሔንን ነቲ ኣብ ጥቓ ኾለሊት ዘሎ ስብሒ
ኸብድን ይፍለ። [5] ደቂ ኣሮን ድማ ኣብ መሰውኢ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ሓዊ ዘሎ ዕጨይቲ፡ ኣብ ልዕሊ
እቲ ዚሐርር መስዋእቲ የሕርርዎ። መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና እዩ። [6] እቲ ንእግዚኣብሄር
ንመስዋእቲ ምስጋና ዜቕርቦ መስዋእቱ ኻብ ጤለበጊዕ እንተ ኾይኑ፡ ተባዕታይ ወይ ኣንስተይቲ፡ ጕደሎ
ዜብሉ የቕርብ። [7] ንመስዋእቱ ገንሸል እንተ ኣቕረበ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የቕርቦ። [8] ኢዱ ኣብ ልዕሊ
ርእሲ እቲ መስዋእቱ ኣንቢሩ ኣብ ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ ይሕረዶ። ነቲ ደሙ ድማ ደቂ ኣሮን ኣብ
ልዕሊ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ይንጸግዎ። [9-10] ካብቲ መስዋእቲ ምስጋና ድማ እቲ ስብሑ፡ ብዘሎ
ኾልኰሉ ኻብ ቀራጺቶ ፈልዩ ምስናይ እቲ ንናውቲ ኸብዲ ዚኸድን ስብሕን እቲ ኣብ ናውቲ ኸብዲ
ዘሎ ኹሉ ስብሕን፡ ክልቲኤን ኩሊት ምስቲ ኣብ ሸምጢ ውሽጢ ዘሎ ስብሔንን እቲ ኻብ ጥቓ
ኾለሊት ዚፈልዮ ስብሒ ኸብድን ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ የቕርቦ። [11] እቲ ኻህን ድማ ኣብ
መሰውኢ የሕርሮ። ንእግዚኣብሄር ብሓዊ እተገብረ መስዋእቲ ብልዒ እዩ። [12] መስዋእቱ ጤል እንተ
ኾይና፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የቕርባ። [13] ኢዱ ኣብ ልዕሊ ርእሳ ኣንቢሩ ድማ ኣብ ቅድሚ ድንኳን

ምርኻብ ይሕረዳ። ደቂ ኣሮን ከኣ ነቲ ደማ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ፡ ኣብ ዙርያኡ ይንጸግዎ። 14-15 ካብኡ
እቲ ንናውቲ ኸብዲ ዚኸድን ስብሕን ኣብ ናውቲ ኸብዲ ዘሎ ኹሉ ስብሕን፡ ክልቲኤን ኩሊት ምስቲ
ኣብ ሽምጢ ውሽጢ ዘሎ ስብሔንን እቲ ኻብ ጥቓ ኹሊት ዚፈልዮ ስብሒ ኸብድን፡ መስዋእቱ
ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ የቕርበሉ። 16 እቲ ኻህን ድማ ነዚ ኣብ መሰውኢ የሕርሮ። እንጌራ
መስዋእቲ ሓዊ ንጥዑም ጨና እዩ። ኩሉ ስብሒ ናይ እግዚኣብሄር እዩ። 17 እዚ ኣብ ኩሉ እትነብርዎ
ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም ይኹን፥ ስብሒ ዘበለን ደም ዘበለን ኣይትብልዑ።

## ምዕራፍ 4

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ 2 ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፥ ሓደ ሰብ፡
ካብቲ እግዚኣብሄር፥ ኣይትግበርዎ፡ ኢሉ ዝኣዘዞ ኹሉ፡ ሓደ ብምግባሩ ብዘይ ፍልጠት ሓጢኣት እንተ
ገበረ፡ 3 እቲ እተቐብኤ ኻህን እንተ ኹይኑ ሓጢኣት ዝገበረ፡ እሞ በዚ ነቲ ህዝቢ በዳሊ እንተ ገበሮ፡
ስለቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ጐደሎ ዜብሉ ዝራብዕ ንእግዚኣብሄር የቕርበሉ። 4 ነቲ
ዝራብዕ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ናብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ የምጽኣዮ፡ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ርእሲ እቲ
ዝራብዕ የንብር እሞ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይሕረዶ። 5 እቲ ቕቡእ ካህን ድማ ካብ ደም እቲ ዝራብዕ
ወሲዱ ናብ ድንኳን ምርኻብ የእትዎ። 6 እሞ እቲ ኻህን ኣጻብዑ ኣብቲ ደም ይጥማዕ፡ ካብቲ ደም ከኣ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ ኣብ ቅድሚ መጋረጃ መቕደስ ሾብዓተ ሳዕ ይንጸግ። 7 እቲ ኻህን ድማ ካብቲ
ደም ኣብ ኣቕርንቲ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ዘሎ መሰውኢ ምኡዝ ዕጣን
ይግበር። ኩሉ ደም እቲ ዝራብዕ ከኣ ኣብ እግሪ እቲ ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ዘሎ መሰውኢ
ምሕራር ይኽዐዎ። 8 ካብቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ኩሉ ስብሒ፥ እቲ ንናውቲ ኸብዲ ዚኸድን
ስብሕን እቲ ኣብ ናውቲ ኸብዲ ዘሎ ኹሉ ስብሕን የልዕል፡ 9 ድማ ክልቲኤን ኩሊትን እቲ ኣብ ሽምጢ
ውሽጢ ዘሎ ስብሔንን እቲ ኣብ ጥቓ ኹለሊት ዘሎ ስብሒ ኸብድን የልዕል፡ 10 ከምቲ ኻብ ዝራብዕ
መስዋእቲ ምስጋና ዚለዐል፡ ነዚ እቲ ኻህን ኣብ መሰውኢ ምሕራር የሕርሮ። 11 ቈርበት እቲ ዝራብዕን
ኩሉ ስጋኡን ምስናይ ርእሱን መሓውሩን ናውቲ ኸብዱን ፈርሱን፡ 12 እቲ ዝራብዕ ብምሉኡ ኻብ ሰፈር
ናብ ጽርይቲ ቦታ፡ ናብታ ሓመኹስቲ ዚጐሓፋ የምጽኣዮ። ኣብ ልዕሊ ዕጨይቲ ገይሩ ብሓዊ የሕርሮ።
ኣብታ ሓመኹስቲ ዚጐሓፋ ይሕረር። 13 ብዘሎ እቲ ኣኼባ እስራኤል እንተ ሰሐተ፡ እቲ ነገር ከኣ ካብ
ኣዒንቲ ማሕበር እንተ ተኸወለ እሞ ካብቲ እግዚኣብሄር፥ ኣይትግበርዎ፡ ኢሉ ዝኣዘዞ ኹሉ፡ ሓደ
ብምግባሮም እንተ በደሉ፡ 14 እቲ ዝገበርዎ ሓጢኣት ምስ ተፈለጠ፡ እታ ማሕበር ንመስዋእቲ ሓጢኣት
ሓደ ዝራብዕ ተቕርብ፡ ናብ ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ ከኣ ተምጽኣዮ። 15 እቶም ዓበይቲ እቲ ኣኼባ ድማ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ርእሲ እቲ ዝራብዕ የንብሩ፡ እቲ ዝራብዕ ከኣ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ይተሐረድ። 16 እቲ እተቐብኤ ኻህን ድማ ካብ ደም ዝራብዕ ናብ ድንኳን ምርኻብ
የምጽእ፡ 17 እቲ ኻህን ከኣ ኣጻብዑ ኣብቲ ደም ጠሚዑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ ናብ ቅድሚ መጋረጃ
ሾብዓተ ሳዕ ይንጸግ። 18 ካብቲ ደም ከኣ ኣብ ኣቕርንቲ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ ኣብ ድንኳን
ምርኻብ ዘሎ መሰውኢ ይግበር። ንኹሉ እቲ ደም ከኣ ኣብ እግሪ እቲ ኣብ ቅድሚ ኣፍ ደገ ድንኳን
ምርኻብ ዘሎ መሰውኢ ምሕራር ይኽዐዎ። 19 ንኹሉ እቲ ስብሒ ድማ ካብኡ ኣልዒሉ ኣብ መሰውኢ
የሕርሮ። 20 እዚ ነቲ ዝራብዕ ይግበር፡ ነቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ከም ዝገበሮ፡ ነዚ ኸኣ ከምኡ
ይግበሮ። ከምኡ እቲ ኻህን የተዐርቆም፡ ሽዑ ይሕደገሎም። 21 ነቲ ዝራብዕ ድማ ካብቲ ሰፈር ንወጻኢ

የውጽኣዮ፡ ነቲ ቐዳማይ ዝራብዕ ከም ዘሕርሮ፡ የሕርሮ። እዚ ናይቲ ኣኼባ መስዋእቲ ሓጢኣት እዩ። 22
ሓደ ሹም ከኣ ከይፈለጠ ኻብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኹ፡ ኣይትግበርዎ፡ ኢሉ ዝኣዘዞ ኹሉ፡ ሓደ
ብምግባሩ በዲሉ እንተ ሓጥኤ፡ 23 እቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ድማ እንተ ተፈለጦ፡ ንመስዋእቱ ኻብ ኣጣሉ
ሓደ ተባዕታይ ጒደሎ ዜብሉ ድቤላ የምጽእ። 24 ኢዱ ኣብ ርእሲ እቲ ድቤላ የንብር፡ ኣብታ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ዚሐርዱላ ቦታ ኸኣ ይሕረዶ። ንሱ መስዋእቲ ሓጢኣት እዩ። 25 እቲ
ኻህን ድማ ካብቲ ደም መስዋእቲ ሓጢኣት በጻብዑ ይውሰድ፡ ኣብ ልዕሊ ቐርኒ መሰውኢ ምሕራርውን
ይግበሮ። ነቲ ደሙ ኸኣ ኣብ እግሪ መሰውኢ ምሕራር ይኽዕዎ። 26 ንኹሉ እቲ ስብሑ ድማ፡ ከምቲ
ንስብሒ መስዋእቲ ምስጋና ዚግበር፡ ኣብ መሰውኢ የሕርሮ። እቲ ኻህን ድማ ካብ ሓጢኣቱ የተዐርቖ፡
ይሕደገሉ ኸኣ። 27 ካብ ህዝቢ እታ ሃገር ሓንቲ ነፍሲ፡ ከይፈለጠት ካብቲ እግዚኣብሄር፡ ኣይትግበርዎ፡
ኢሉ ዝኣዘዞስ ሓደ ብምግባራ በዲላ እንተ ሓጥኤት፡ 28 እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ እንተ ተፈለጦ፡ ስለ እቲ
ዝገበሮ ሓጢኣቱ መስዋእቱ ጒደሎ ዜብላ ኣንስተይቲ ጤል የምጽእ። 29 ኢዱ ድማ ኣብ ልዕሊ ርእሲ እታ
መስዋእቲ ሓጢኣት የንብር፡ ነታ መስዋእቲ ሓጢኣት ኣብ ቦታ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ይሕረዳ። 30 እቲ
ኻህን ድማ ካብ ደማ በጻብዑ ወሲዱ፡ ኣብ ልዕሊ ቐርኒ መሰውኢ ምሕራር ይግበር፡ ንኹሉ እቲ ደም
ከኣ ኣብ እግሪ መሰውኢ ይኽዐዎ። 31 ከምቲ ኻብ መስዋእቲ ምስጋና ዚፍለ ስብሒ፡ ንኹሉ እቲ ስብሒ
ይፍለ፡ እቲ ኻህን ድማ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ኣብ መሰውኢ የሕርሮ። እቲ ኻህን ድማ የተዐርቖ፡
ይሕደገሉ ኸኣ። 32 ንመስዋእቲ ሓጢኣቱ ገንሸል እንተ ኣምጽኤ ኸኣ፡ ጒደሎ ዜብላ ኣንስተይቲ የምጽእ።
33 ኢዱ ድማ ኣብ ልዕሊ ርእሲ እታ መስዋእቲ ሓጢኣት የንብር፡ ኣብታ ዚሐርር መስዋእቲ ዚሐርዱላ
ቦታ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ይሕረዳ። 34 እቲ ኻህን ድማ ካብ ደም እታ መስዋእቲ ሓጢኣት በጻብዑ
ወሲዱ፡ ኣብ ልዕሊ ቐርኒ መሰውኢ ምሕራር ይግበር። ንኹሉ ደማ ኸኣ ኣብ እግሪ መሰውኢ ይኽዕዎ።
35 ከምቲ ኻብ ገንሸል መስዋእቲ ምስጋና ዚፍለ ስብሒ፡ ንኹሉ እቲ ስብሒ ይፍለ እሞ እቲ ኻህን ኣብ
ልዕሊ እቲ ንእግዚኣብሄር ብሓዊ ዚግበር መስዋእቲ፡ ኣብ መሰውኢ የሕርሮ። እቲ ኻህን ድማ ብዛዕባ
እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ የተዐርቖ፡ ይሕደገሉ ኸኣ።

## ምዕራፍ 5

1 ሰብ፡ ቃል ማሕላ ሰሚዑ፡ ንሱ ብዝረኣዮ ወይ ብዝፈለጦ ምስክር ኰይኑ እንተ ዘይገለጾ፡ ብእኡ
ሓጢኣት እንተ ገበረ፡ በደሉ ይጸውር። 2 ወይ ሓደ ኸይፈለጠ ገለ ርኹስ ነገር እንተ ተንከየ፡ ገምቢ ርኹስ
ኣራዊት እንተ ኾነ፡ ወይ ገምቢ ርኹስ እንስሳ ቤት፡ ወይ ገምቢ ርኹስ ለመምታ፡ ንሱ ረኺሱ እዩ እሞ
በዳሊ እዩ። 3 ወይ ከይፈለጠ ንርኽሰት ሰብ፡ ብዝኾነ ዜርክሶ ርኽሰት እንተ ተንከየ እሞ ምስ ተፈለጦ፡
በዳሊ እዩ። 4 ወይ ሓደ ገለ ኽፉእ ወይ ጽቡቕ ንምግባር፡ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብዘይ ሓሳብ ከም ዚምሕል፡
ከይፈለጠ ብዘይ ሓሳብ ብኸናፍሩ እንተ መሐለ እሞ ምስ ተፈለጦ፡ ብሓደ ኻብዚ ነገርዚ በዳሊ እዩ። 5
ኪኸውን ድማ እዩ፡ ካብዚ ነገርዚ ብሓደ ምስ በደለ፡ በቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ይናዘዝ። 6 ብዛዕባ እቲ
ዝገበሮ ሓጢኣቱ ድማ ንመስዋእቲ በደሉ ኻብ መጓሴኡ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓንቲ ሸበን ወይ ኣርሕዶ
ንእግዚኣብሄር የቕርበሉ። እቲ ኻህን ድማ ብዛዕባ ሓጢኣቱ የተዐርቖ። 7 ንበጊዕ ዝኣክል ዓቅሚ እንተ
ዜብሉ ኸኣ፡ ንመስዋእቲ እቲ ዝገበሮ በደል ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ጫጩት ርግቢ፡ ሓንቲ መስዋእቲ
ሓጢኣት፡ ሓንቲ ኸኣ ንዝሓርር መስዋእቲ ንእግዚኣብሄር የቕርበሉ። 8 ናብ ካህን የምጽኣየን፡ ንሱ ኸኣ
ቅድም እታ መስዋእቲ ሓጢኣት እትኸውን የቅርብ፡ ርእሳ ኸይፈለየስ፡ ካብ ጥቃ ኽሳዳ ይጥወያ። 9

ካብቲ ደም መስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ኣብ ጎቦ መሰውኢ ይንጸግ፡ ነቲ ዝተረፈ ደም ከኣ ኣብ እግሪ
መሰውኢ ይጽመቑ። ንሱ መስዋእቲ ሓጢኣት እዩ። 10 ነታ ኻልኣይቲ ኸኣ ከምቲ ስርዓት ዚሐርር
መስዋእቲ ይግበራ። እቲ ኻህን ድማ ካብቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ የተዐርቖ፡ ይሕደገሉ ኸኣ። 11 ንኽልተ ባሬቶ
ወይ ንኽልተ ጫጩት ርግቢ ዓቕሚ እንተ ዜብሉ ግና፡ ስለ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣት ንመስዋእቲ ሓጢኣቱ
ዓስራይ ኣፍ ኤፉ ድኹም ሓርጭ የምጽእ። መስዋእቲ ሓጢኣት እዩ እሞ፡ ዘይቲ ኣይኽዐወሉ። ዕጣን ከኣ
ኣይግበረሉ። 12 ናብቲ ኻህን ድማ የምጽኣዮ፡ እቲ ኻህን ከኣ ካብኡ ንመዘከርታ ኢዱ ምሉእ ወሲዱ፡ ኣብ
መሰውኢ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ንእግዚኣብሄር ብሓዊ ዚግበር መስዋእቲ የሕርሮ። ንሱ መስዋእቲ ሓጢኣት
እዩ። 13 ብሓደ ኻብዚ ነገርዚ ንዝበደለ እቲ ኻህን የተዐርቖ፡ ይሕደገሉ ኸኣ። እቲ ዝተረፈ ድማ ከምቲ
ናይ መስዋእቲ ብልዒ ንኻህናት ይኹን። 14 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፤ 15 ሰብ በደል
እንተ በደለ፡ ብገለ እቲ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ነገር ከይፈለጠ ሓጢኣት እንተ ገበረ፡ ንመስዋእቲ በደሉ
ኻብ መጓሰ ኣባጊዕ፡ ከምቲ ብሲቃል መቕደስ ብሲቃላት ብሩር ዝገምገምካሉ፡ ጎደሎ ዜብሉ ድዑል
መስዋእቲ በደል ንእግዚኣብሄር የምጽኣሉ። 16 በቲ ኣብቲ ቅዱስ ነገር ዝገበሮ ሓጢኣት ይኽሐስ፡ ሓምሳይ
ኣፍ ከኣ ይወስኸሉ፡ ንኻህን ድማ ይሃቦ። እቲ ኻህን ከኣ በቲ ድዑል መስዋእቲ በደል የተዐርቖ፡
ይሕደገሉ ድማ። 17 ሰብ ካብቲ እግዚኣብሄር፥ ኣይትግበርዎ፡ ኢሉ ዝኣዘዞ ኹሉ ሓደ ብምግባሩ እንተ
ሐጥኤ፡ ከይፈለጠ እኳ ኽነሱ በዳሊ እዩ እሞ፡ በደሉ ይጾውር። 18 ንመስዋእቲ በደል ከኣ ከም ገምጋምካ፡
ካብ መጓሰ ኣባጊዕ ጐደሎ ዜብሉ ድዑል ናብ ካህን የምጽእ። ብዛዕባ እቲ ብዘይ ፍልጠት ዝገበሮ ጌጋ
እቲ ኻህን የተዐርቖ፡ ይሕደገሉ ኸኣ። 19 ርግጽ ንእግዚኣብሄር በዲሉ እዩ እሞ፡ እዚ መስዋእቲ በደል እዩ።

## ምዕራፍ 6

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፤ 2 ሰብ ንእግዚኣብሄር በደል ብምብዳሉ ሓጢኣት እንተ
ገበረ፡ ብጻዩ ዘንበረሉ ሕድሪ ብምጥላሙ፡ ወይ ኣብ ኢዱ ብዘትሓዞ፡ ወይ ገለ ብዝኸተሮ ወይ
ብዝዐመጾ፡ 3 ወይ ገለ ጥፉእ ረኺቡ ኸሎ ኣሉ ኢሉ ብሓሶት ብምምሓሉ፡ ብሓደ ኻብ ዝኾነ ነገር ሰብ
ሓጢኣት ብዝገበረሉ፡ 4 ይኸውን ድማ፡ ሓጢኣት ብምግባሩ በዳሊ ምስ ኰነ፡ ንሱ እቲ ኸትሪ ዝኸተሮ፡
ወይ እቲ ዓመጽ ዝዓመጾ፡ ወይ ሕድሪ ዘንበረሉ፡ ወይ ጠፊኡ ዝረኸቦ፡ 5 ወይ ብዝኾነ ነገር ሐሰዩ
ዝመሓለሉ ይምለሶ፡ ብምሉኡ ይምለሶ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ሕምሻኡ ይወስኸሉ። በታ መስዋእቲ በደሉ
ዜቕርበላ መዓልቲ ነቲ ዋናኡ ይምለሰሉ። 6 ንመስዋእቲ በደል ድማ ካብ መጓሰ ኣባጊዕ፡ ከም ገምጋምካ፡
ጐደሎ ዜብሉ ድዑል መስዋእቲ በደሉ ንእግዚኣብሄር፡ ናብ ካህን የምጽእ። 7 እቲ ኻህን ከኣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር የተዐርቖ፡ ካብ ዝኾነ ዝገበሮ ድማ ብእኡ በዳሊ ዝኾነ፡ ኪሕደገሉ እዩ። 8 እግዚኣብሄር
ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፤ 9 ንኣሮንን ንደቁን ከምዚ ኢልካ ኣዝዞም፡ ሕጊ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ
እዚ እዩ፡ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ መሰውኢ ዚነድድ ዕጨይቲ ምሉእ ለይቲ ኽሳዕ
ዚወግሕ ይነበር፡ እቲ ሓዊ መሰውኢ ኸኣ ይንደድ። 10 እቲ ኻህን ቀምሽ ልሕጺ እንጣጢዕ ይኸደን፡ ኣብ
ስጋኡ ድማ ስረ ልሕጺ እንጣጢዕ ይግበር። ነቲ ሓመኹስቲ ናይቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ
ሓዊ ዝበልዖ፡ ሓፊሱ፡ ኣብ ጎቦ መሰውኢ ይግበሮ። 11 ደሓር ክዳውንቱ የውጽእ፡ ካልእ ክዳውንቲ ድማ
ይኸደን፡ ነቲ ሓመኹስቲ ኸኣ ካብቲ ሰፈር ኣብ ጽሩይ ቦታ የውጽኣዮ። 12 እቲ ኣብ መሰውኢ ዘሎ ሓዊ
ኣብኡ ይንደድ፡ ኣይጥፋእ። እቲ ኻህን ከኣ ኣብ ጸጽባሕ ኣብ ልዕሊኡ ዕጨይቲ የንድድ። ኣብ ልዕሊኡ
ድማ እቲ ዝሓርር መስዋእቲ ይግበር፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ስብሒ መስዋእቲ ምስጋና የሕርር። 13 እቲ ሓዊ

ወርትግ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ይንደድ፡ ኣይጥፋእ። [14] ሕጊ መስዋእቲ ብልዒ ድማ እዚ እዩ፥ ደቂ ኣሮን
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ናብ ቅድሚ መሰውኢ የቕርብዎ። [15] ካብኡ፡ ካብቲ ናይ መስዋእቲ ብልዒ
ድኹም ሓርጭ ከኣ ኢዱ ምሉእ የልዕል፡ ካብ ዘይቱ ድማ ምስቲ ኣብ ልዕሊ መስዋእቲ ብልዒ ዘሎ ዅሉ
ዕጣን ገይሩ ንመዘከሪ፡ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና ኣብ መሰውኢ የሕርሮ። [16] እቲ ዃብኡ ዝተረፈ ድማ
ኣሮንን ደቁን ይብልዕዎ፡ ከይበዅዔ ኣብ ቅዱስ ቦታ ይበላዕ። ኣብ ኣጸድ ድንኳን ምርኻብ ኰይኖም
ይብልዕዎ። [17] ብማይ ብሑቕ ኣይሰንከት። እዚ ዃብቲ ብሓዊ እተገብረ መስዋእተይ ዝሀብክዎም ግዲኦም
እዩ። ከም መስዋእቲ ሓጢኣትን ከም መስዋእቲ በደል ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። [18] ካብ ደቂ ኣሮን ተባዕታይ
ዝዀነ ዅሉ ይብልዓዮ። እዚ ዃብቲ ንእግዚኣብሄር ብሓዊ እተገብረ መስዋእትታት ንውሉድ ወለዶኹም
ናይ ዘለኣለም መሰሎም ይኹን። ነፍሲ ወከፍ ዝተንከዮ ይቀደስ። [19] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ
ኢሉ ተዛረቦ፥ [20] ኣሮንን ደቁን በታ ዚቕብኣላ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር ዜቕርብዎ መስዋእቲ እዚ እዩ፥
ንናይ ወርትግ መስዋእቲ ብልዒ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ፡ ፈረቓኡ ብጊሓት፡ ፈረቓኡ ኸኣ
ምሸት። [21] ምስ ዘይቲ ኣብ መቐሎ ይሰንከት። ምስ ተቘምጥዔ ኸኣ ኣምጽኣዮ። ንእግዚኣብሄር፡ ንጥዑም
ጨና ብሱል ቈረርስ ጌርካ፡ መስዋእቲ ብልዒ ኣቕርበሉ። [22] እቲ ዃብ ደቁ ኣብ ስፍራኡ ዚቕባእ ካህን
ድማ ከምኡ ይግበር። ንስርዓት ዘለኣለም ብምሉኡ ንእግዚኣብሄር ይሕረር። [23] ኲሉ ናይ ካህን መስዋእቲ
ብልዒ፡ ብምሉኡ ይሕረር፡ ኣይበላዕ። [24] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ [25] ንኣሮንን
ንደቁን ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፥ ሕጊ መስዋእቲ ሓጢኣት እዚ እዩ፥ እቲ መስዋእቲ ሓጢኣት ኣብታ
ዚሐርር መስዋእቲ ዚሕረደላ ቦታ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይተሐረድ። ንሱ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። [26]
እቲ ዃህን ብዛዕባ ሓጢኣት ዜቕርቦ፡ ይብልዓዮ። ኣብ ኣጸድ ድንኳን ምርኻብ ኣብ ቅዱስ ቦታ ይበላዕ።
[27] ነፍሲ ወከፍ ነቲ ስጋ ዝተንከዮ ይቀደስ። ካብቲ ደም ኣብ ገለ ኽዳን እንተ ነጠረ፡ ነቲ ዝነጠሮ ዘበለ
ኣብ ቅዱስ ቦታ ኼንካ ሕጸቦ። [28] እቲ ዝበሰለሉ ቕራዕ ድማ ይሰበር፡ ኣብ ድስቲ ኣስራዚ እንተ በሰለ
ኸኣ፡ ይፈጕፈጕ ብማይውን ይተሐጸብ። [29] ነፍሲ ወከፍ ተባዕታይ፡ ካህን ዝዀነ፡ ይብልዓዮ፡ ንሱ ቅዱስ
ቅዱሳን እዩ። [30] መስዋእቲ ሓጢኣት ዘበለ ድማ፡ ካብ ደሙ ኣብ መቕደስ ንምትዕራቕ ናብ ድንኳን
ምርኻብ ዚኣቱ፡ ብሓዊ ይንደድ እምበር፡ ኣይበላዕ።

## ምዕራፍ 7

[1] ሕጊ መስዋእቲ በደል ድማ እዚ እዩ፥ ንሱ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። [2] ነቲ መስዋእቲ በደል ኣብታ ዚሐርር
መስዋእቲ ዚሕረዱላ ቦታ ይሕረድዎ። ደሙ ኸኣ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ይንጸጎ። [3] ብዘሎ
ስብሒ ኸኣ፡ ኰልኰሉን ቋንጡጡን፡ [4] ክልቲኤን ኲሊት ምስቲ ኣብ ሸምጢ ውጽጢ ዘሎ ስብሔንን፡
እቲ ዃብ ጥቓ ኹለሊት ዚፈልዮ ስብሒ ኸብድን፡ [5] እቲ ዃህን ነዚ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ኣብ
መሰውኢ የሕርሮ፡ ንሱ መስዋእቲ በደል እዩ። [6] ነፍሲ ወከፍ ተባዕታይ፡ ካህን ዝዀነ፡ ይብልዓዮ፡ ኣብ
ቅዱስ ቦታ ይበላዕ። ንሱ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። [7] እቲ መስዋእቲ በደል ከምቲ መስዋእቲ ሓጢኣት እዩ፡
ንኽልቲኡ ሕጊ ሓደ እዩ፡ ናይቲ ብእኡ ዜተዐርቕ ካህን ይኹን። [8] እቲ ዃህን ናይ ማንም ዚሐርር
መስዋእቲ ዜቕርቦ፡ ቈርበት እቲ ዘቕርቦ ዚሐርር መስዋእቲ ነቲ ዃህን ይኹን። [9] ኲሉ መስዋእቲ ብልዒ
ድማ ኣብ እቶን ዝበሰለ፡ ኲሉ ኣብ ቀኈራዕን ኣብ መቐሎን እተገብረ፡ ነቲ ዜቕርቦ ዃህን ይኹን። [10] ኲሉ
ዘይቲ እተሐወሶ ወይ ንቑጽ መስዋእቲ ብልዒ ንዅሎም ደቂ ኣሮን፡ ነቲ ሓደ ኸምቲ ሓደ ይኹን። [11]
እቲ ንእግዚኣብሄር ዚቕረብ መስዋእቲ ምስጋና ድማ ሕጉ እዚ እዩ፥ [12] ንምስጋና እንተ ኣቕረቦ፡ ምስቲ

መስዋእቲ ምስጋና ዘይቲ እተሐወሶ ዘይበኾዓ ቕጫታት፡ ዘይቲ እተለኽየ ዘይበኾዓ ረቂቕ ቅጫታትን
ካብ ድኹም ሓርጭ እተቜምጥዔ ዘይቲ እተሐወሶ ቕጫታትን የቕርብ። [13] እቲ ንምስጋና ዜቕርቦ ናይ
ምስጋና መስዋእቱ ምስ ዝበኾዔ እንጌራ የቕርቦ። [14] ካብ ኲሉ እዚ መስዋእትታት ሓደ ግደ
ንእግዚኣብሄር ዚለዐል መስዋእቲ የቕርበሉ። እዚ ነቲ ደም መስዋእቲ ምስጋና ዚነጽግ ካህን ይኹን። [15]
ስጋ እቲ ንምስጋና ዜቕርቦ ናይ ምስጋና መስዋእቱ በታ እተሰውኣላ መዓልቲ ይበላዕ፡ ካብኡ ገለ እኳ
ኽሳዕ ብጊሓት ኣየትርፍ። [16] እቲ ዚቕርብ መስዋእቲ ናይ መብጽዓ ወይ ናይ ፍቓድ እንተ ኾነ ኸኣ፡ በታ
መስዋእቱ ዘቕረበላ መዓልቲ ይበላዕ፡ እቲ ኻብኡ ዝተረፈ ድማ ንጽብሒቱ ይበላዕ። [17] ካብቲ ስጋ
መስዋእቲ ኽሳዕ ሳልሰይቲ መዓልቲ ዝተረፈ ግና፡ ብሓዊ ይንደድ። [18] ካብቲ ስጋ ናይ ምስጋና መስዋእቱ
ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ እንተ ተበልዔ፡ እቲ መስዋእቲ ቕቡል ኣይኰነን፡ ነቲ ዘቕረቦውን ከም ቍርባን
ኣይቕጸረሉን፡ ፍንፉን ይኸውን። እታ ኻብኡ እትበልዕ ነፍሲ ኸኣ በደላ ትጸውር። [19] ርኹስ ዝተንከዮ
ስጋ ድማ ኣይበላዕ፡ ብሓዊ ደኣ ይንደድ። ብዛዕባ ስጋ ግና፡ ንጹህ ዝኾነ ኹሉ ይብልዓዮ። [20] እታ ረኺሳ
ኸላ፡ ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ስጋ መስዋእቲ ምስጋና እትበልዕ ነፍሲ ድማ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ህዝባ
ኽትምንቈስ እያ። [21] ነፍሲ ገለ ርኹስ ነገር እንተ ተንከየት፡ ርኽሰት ሰብ ወይ ርኹስ እንስሳ ወይ ዝኾነ
ጽዩፍ ርኽሰት፡ ካብቲ ናይ እግዚኣብሄር ስጋ መስዋእቲ ምስጋና ኸኣ እንተ በልዔት፡ እታ ነፍሲ እቲኣ
ኻብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ። [22] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ [23] ንደቂ እስራኤል
ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፥ ገለ ስብሒ፡ ናይ ብዕራይ ኰነ ወይ ናይ በጊዕ ወይ ናይ ጤል፡ ኣይትብልዑ። [24]
ስብሒ ዝሓለቐትን ናይ ኣራዊት ዝቐተላን ንዝኾነ ውራይኩም ግበርዎ፡ ምብላዕ ግና ኣይትብልዕዎ። [25]
ካብ ስብሒ እቲ እንስሳ፡ ካብኡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ዜቕርብዎ፡ ዝበልዔ ዘበለ፡ እታ ዝበልዔት
ነፍሲ ኻብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ። [26] ኣብ እትነብርዎ ኹሉ ኸኣ፡ ናይ ዑፍ ኰነ ናይ ማል፡ ደም ዘበለ
ኣይትብልዑ። [27] ዝኾነ ደም ዝበልዔት ዘበለት ነፍሲ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ። [28]
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ [29] ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፥ እቲ ናይ
ምስጋና መስዋእቱ ንእግዚኣብሄር ዜቕርብ፡ ካብቲ ናይ ምስጋና መስዋእቱ ኣልዒሉ ህያቡ ናብ
እግዚኣብሄር የምጽኣዮ። [30] ነቲ ናይ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ በእዳዉ የምጽኣዮ። እቲ ሓኸለ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ምውዝዋዝ ኪውዝወዝሲ፡ ስብሑን ሓከሊኡን የምጽኣዮ። [31] እቲ ኻህን
ድማ ነቲ ስብሒ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ የሕርሮ፡ እቲ ሓኸለ ኸኣ ንኣሮንን ንደቁን ይኹን። [32] ካብቲ ናይ
ምስጋና መስዋእትኹም ንዚልዐል መስዋእቲ የማነይቲ እግሪ ነቲ ኻህን ሀብዎ። [33] ነቲ ኻብ ደቂ ኣሮን
ደም መስዋእቲ ምስጋናን ስብሕን ዜቕርብ፡ የማነይቲ እግሪ ግዲኡ ትኹን። [34] ካብ መስዋእቲ ምስጋና
ደቂ እስራኤል ሓኸለ ምውዝዋዝን ዚልዐል እግርን ወሲደዮ እየ እሞ፡ ካብ ደቂ እስራኤል ንስርዓት
ዘለኣለም ንኻህን ኣሮንን ንደቁን ሂበዮም ኣሎኹ። [35-36] በታ ኻህናት እግዚኣብሄር ኪኾኑ ዘቕረቦም
መዓልቲ፡ በታ ዝቐብኦም መዓልቲ፡ ካብ መስዋእቲ ሓዊ እግዚኣብሄር ደቂ እስራኤል ክህብዎም
እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም፡ ግደ ምቕባእ ኣሮንን ግደ ምቕባእ ደቁን እዚ እዩ። ንውሉድ ወለዶኦም ስርዓት
ዘለኣለም እዩ። [37-38] በታ ንደቂ እስራኤል መስዋእቶም ንእግዚኣብሄር ኣብ በረኻ ሲና ኪቕርቡ ዝኣዘዘላ
መዓልቲ፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ከረን ሲና ዝኣዘዞ ሕጊ፡ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ብልዕን
መስዋእቲ ሓጢኣትን መስዋእቲ በደልን መስዋእቲ ምቕዳስን መስዋእቲ ምስጋናን እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 8

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ 2 ንኣሮን፡ ደቁ ኸኣ ምስኡ፡ ኣልባስን ዘይቲ ቕብኣትን
እቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣትን እቶም ክልተ ድዑልን እቲ መሶብ ቅጫን ውሰድ። 3 ንብዘሎ ኣኼባ
ኸኣ ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ኣክቦ። 4 ሙሴ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ገበረ። እቲ ኣኼባ
ኸኣ ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ተኣከበ። 5 ሙሴ ድማ ነቲ ኣኼባ፥ እቲ እግዚኣብሄር ኪግበር ዝኣዘዞ
ነገር እዚ እዩ፡ በለ። 6 ሙሴ ኸኣ ንኣሮንን ንደቁን ኣቕሪቡ፡ ብማይ ሓጸቦም። 7 ቀምሽ ታሕቲ ድማ
ኣእተወሉ፡ ቅናትውን ኣቐነቶ፡ ቀምሽ ላዕሊ ከዲኑ ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ኤፎድ ገበረሉ፡ በቲ ብብልሓት
እተገብረ ቕናት ኤፎድ ድማ ኣቐነቶ፡ ብእኡውን ኣብ ልዕሊኡ ኣትሐዞ። 8 ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ሳንቃ ኣፍ
ልቢ ገበረሉ፡ ናብቲ ሳንቃ ኣፍ ልቢ ድማ ኡሪምን ቱሚምን ገበረሉ። 9 ኣብ ርእሱ ኸኣ መጠምጠምያ
ገበረሉ። ኣብ ልዕሊ እቲ መጠምጠምያውን ብሸነኽ ቅድሚት ብሊቃ ወርቂ፡ እቲ ቅዱስ ኣኽሊል፡
ገበረሉ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ገበረ። 10 ሙሴ ድማ ዘይቲ ቕብኣት ወሲዱ ነቲ ማሕደርን
ኣብኡ ንዝነበረ ኹሉን ቀብኦ፡ ቀደሶ ኸኣ። 11 ካብኡ ናብ ልዕሊ መሰውኢ ሾብዓተ ሳዕ ነጸገ፡ ምእንቲ
ኪቕድሶውን ንመሰውእን ንኹሉ ኣቓሑኡን ነቲ ገበራን ኣጋሮኡን ቀብኦ። 12 ናብ ርእሲ ኣሮን ከኣ ካብ
ዘይቲ ቕብኣት ከዐወሉ፡ ምእንቲ ኪቕድሶ ድማ ቀብኦ። 13 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ድማ፡
ሙሴ ንደቂ ኣሮን ኣቕረቦም፡ ቀመውሽ ታሕቲ ኸዲኑ ኸኣ ቅናውቲ ኣቐነቶም፡ መጠምጠምያታትውን
ገበረሎም። 14 ነቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ኣቕረቦ፡ ኣሮንን ደቁን ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ
ርእሲ እቲ ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ኣንበሩ። 15 ሐረዶ ድማ፡ ሙሴ ኸኣ ነቲ ደም ወሲዱ ኣብ ልዕሊ
ኣቕርንቲ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ በጻብዑ ለኸየ እሞ ነቲ መሰውኢ ኣንጽሆ። ነቲ ደም ከኣ ኣብ እግሪ እቲ
መሰውኢ ኸዐዎ፡ ንምትዕራቑ ድማ ቀደሶ። 16 ንኹሉ ኣብ ናውቲ ኸብዲ ዝነበረ ስብሕን ቋንጡጥ
ከብድን ክልቲኤን ኲሊት ምስ ስብሔንን ወሰደ፡ ሙሴ ድማ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣሕረሮ። 17 ነቲ
ዝራብዕን ቈርበቱን ስጋኡን ፈርሱን፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ብሓዊ
ኣንደዶ። 18 ነቲ ድዑል ዚሐርር መስዋእቲ ድማ ኣቕረቦ። ኣሮንን ደቁን ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ርእሲ
እቲ ድዑል ኣንበሩ። 19 ሙሴ ድማ ሐረዶ ነቲ ደም ኣብ ልዕሊ መሰውኢ፡ ኣብ ዙርያኡ ነጸጎ። 20 ነቲ
ድዑል ድማ በብኽፍሉ ቈራረጾ፡ ሙሴ ኸኣ ነቲ ርእስን ነቲ ቈረርጽን ነቲ ስብሕን ኣሕረሮ። 21 ነቲ ናውቲ
ኸብድን ነቲ ኣእጋርን ብማይ ሐጸቦ። ሙሴ ድማ ንብዘሎ እቲ ድዑል ኣብ መሰውኢ ኣሕረሮ። ንሱ
ንጥዑም ጨና እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኹነ። ንሱ ኸምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ንእግዚኣብሄር
መስዋእቲ ሓዊ ኹነ። 22 ነቲ ኻልኣይ ድዑል ከኣ፡ እቲ ድዑል ምቕዳስ፡ ኣቕረበ፡ ኣሮንን ደቁን ድማ
ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ርእሲ እቲ ድዑል ኣንበሩ። 23 ሙሴ ድማ ሐረዶ ኻብ ደሙ ወሲዱ፡ ንኣሮን
መስቌር የማነይቲ እዝኑን ዓበይቶ የማነይቲ ኢዱን ዓበይቶ የማነይቲ እግሩን ለኸዮ። 24 ንደቂ ኣሮን ድማ
ኣቕረቦም። ሙሴ ኸኣ ካብቲ ደም ኣብ መስቌር የማኖት ኣእዛኖምን ዓበይቶ የማኖት ኣእዳዎምን ዓበይቶ
የማኖት ኣእጋሮምን ለኸየ። ነቲ ደም ከኣ ሙሴ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ነጸጎ። 25 ነቲ ስብሕን
ኰልኰልን ኲሉ እቲ ኣብ ናውቲ ኸብዲ ዘሎ ቛንጡጥን ስብሒ ኸብድን ክልቲኤን ኲሊት ምስ
ስብሔንን የማነይቲ እግርን ወሰደ። 26 ካብቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝነበረ ዘይበኹዔ እንጌራ ዝሐዘ
መሶብ ድማ ሓደ ቕጫን ሓደ እንጌራ ዘይትን ሓደ ረቂቕ ቅጫን ወሲዱ ኣብ ልዕሊ እቲ ስብሕን
የማነይቲ እግርን ኣንበሮ። 27 እዚ ኹሉ ኣብ ኣእዳው ኣሮንን ኣብ ኣእዳው ደቁን ኣንበሮ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ከኣ ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ወዝወዞ። 28 ሙሴ ድማ ካብ ኣእዳዎም ወሲዱ ኣብቲ መሰውኢ
ኣብ ልዕሊ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣሕረሮ። እዚ ምቕዳስ ንጥዑም ጨና፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር
ኰነ። 29 ሙሴ ድማ ነቲ ሓኸለ ወሲዱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ወዝወዞ።

ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ካብቲ ድዑል ምቕዳስ እዚ ግደ ሙሴ ገበረ። 30 ሙሴ ድማ ካብቲ
ዘይቲ ቕብኣትን ካብቲ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ዝነበረ ደምን ወሲዱ፡ ኣብ ልዕሊ ኣሮንን ኣብ ልዕሊ
ኣልባሱን ኣብ ልዕሊ ደቁን ኣብ ልዕሊ ኣልባስ ደቁ ኸኣ ምስኡ ነጸገ እሞ ንኣሮንን ነልባሱን ንደቁን ነልባስ
ደቁ ኸኣ ምስኡ ቐደሰ። 31 ሙሴ ድማ ንኣሮንን ንደቁን በሎም፥ ነዚ ስጋ ኸምቲ ኣነ፡ ኣሮንን ደቁን
ይብልዕዎ፡ ኢለ ዝኣዘዝኩ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ኴንኩም ኣብስልዎ እሞ ምስቲ ኣብ መሶብ
ምቕዳስ ዘሎ እንጌራ ኣብኡ ኺንኩም ብልዕዎ። 32 ካብቲ ስጋን እንጌራን ዝተረፈ ኸኣ ብሓዊ ኣንድድዎ።
33 ምቕዳስኩም ሾብዓተ መዓልቲ ኪቕድስኩም እዩ እሞ፡ መዓልትታት ምቕዳስኩም ክሳዕ ዚመልኣ፡
ሾብዓተ መዓልቲ ኻብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ኣይትውጽኡ። 34 ንመተዓረቒኹም ድማ ከምዚ ሎሚ
እተገብረ ኸምኡ ኸኣ ኪግበር፡ እግዚኣብሄር ኣዘዘ። 35 ከምኡ ተኣዚዝ እየ እሞ፡ ምእንቲ ኸይትሞቱ
ሾብዓተ መዓልቲ፡ ለይትን መዓልትን ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ተቐሚጥኩም፡ ትእዛዝ እግዚኣብሄር
ሐልዉ። 36 ኣሮንን ደቁን ድማ እግዚኣብሄር ብሙሴ ዝኣዘዞ ዅሉ ነገር ገበሩ።

# ምዕራፍ 9

1 ኰነ ድማ፡ ሙሴ ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ንኣሮንን ንደቁን ንዓበይቲ እስራኤልን ጸውዖም። 2 ንኣሮን ከኣ
በሎ፥ ጐደሎ ዜብሎም ተባዕታይ ጣዕዋ ንመስዋእቲ ሓጢኣት፡ ሓደ ድዑል ከኣ ንዚሓርር መስዋእቲ
ወሲድካ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕርቦም። 3 ንደቂ እስራኤል ከኣ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፥
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ ንዚሓርር መስዋእቲ ድማ ሓደ ጣዕዋን ሓደ ገንሸልን፡ ዓመት ዝገበሩ
ጐደሎ ዜብሎም፡ ውሰዱ። 4 ሎሚ እግዚኣብሄር ኪረኣየኩም እዩ እሞ፡ ንመስዋእቲ ምስጋና ሓደ
ዝራብዕን ሓደ ድዑልን ዘይቲ እተኻዕዎ መስዋእቲ ብልዕን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰውኡ። 5 እቲ
ሙሴ ዝኣዘዞ ኸኣ ናብ ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ ኣምጽኡ። ኲሉ እቲ ኣኼባ ድማ ቀሪቡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ደው በለ። 6 ሙሴ ኸኣ፡ እቲ እግዚብሄር ክትገብርዎ ዝኣዘዞ ነገር እዚ እዩ፡ ክብሪ
እግዚኣብሄር ከኣ ኪረኣየኩም እዩ፡ በለ። 7 ሙሴ ድማ ንኣሮን፥ ናብ መሰውኢ ቐሪብካ ናይ ሓጢኣት
መስዋእትኻን ዚሓርር መስዋእትኻን ሰውእ፡ ንርእስኻን ንህዝብን ከኣ ኣተዐርቕ። ከምቲ እግዚኣብሄር
ዝኣዘዞ ድማ፡ መስዋእቲ ህዝቢ ሰውእ፡ ኣተዐርቆምውን፡ በሎ። 8 ሽዑ ኣሮን ናብ መሰውኢ ቐረበ እሞ ነቲ
ምእንታኡ መስዋእቲ ሓጢኣት ዝነበረ ጣዕዋ ሐረዶ። 9 ደቂ ኣሮን ድማ እቲ ደም ኣቕረቡሉ፡ ንሱ ኸኣ
ኣጻብዑ ኣብ ደም ጠሚዑ ኣቕርንቲ መሰውኢ ለኸየ፡ ነቲ ደም ከኣ ኣብ እግሪ መሰውኢ ኸዐዎ። 10 ናይቲ
መስዋእቲ ሓጢኣት ስብሕን ኲለሊትን ቋንጡጥ ከብድን ግና፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኣብ
መሰውኢ ኣሕረሮ። 11 ስጋኡን ቈርበቱን ከኣ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ብሓዊ ኣንደዶ። 12 ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ
ድማ ሐረደ። ደቂ ኣሮን ከኣ እቲ ደም ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣብ ዙርያኡ ነጸጎ። 13
ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ በብቑራጹ፡ ነቲ ርእሱ ድማ ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ኣሕረሮ።
14 ንናውቲ ኸብድን ነእጋርን ሐጺቡ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ ኣሕረሮ። 15
መስዋእቲ እቲ ህዝቢ ኣቕረበ እሞ ነቲ ድቤላ ምእንቲ ህዝቢ መስዋእቲ ሓጢኣት ዝነበረ ወሲዱ ሓረዶ፡
ከምቲ ቐዳማይ ከኣ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሰውኦ። 16 ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ ድማ ከምቲ ሕጉግ ስርዓት
ገይሩ ኣቕረቦ። 17 ብጀካ እቲ ዚሓርር መስዋእቲ ብጊሓት ድማ፡ መስዋእቲ ብልዒ ኣቕረበ፡ ካብኡ ኢድ
ምሉእ ወሲዱ ኸኣ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መሰውኢ ኣሕረሮ። 18 ነቲ ዝራብዕን ድዑልን ድማ ምእንቲ ህዝቢ
መስዋእቲ ምስጋና ዝነበረ ሐረዶ። ደቂ ኣሮን ከኣ ነቲ ደም ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ድማ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ

ኣብ ዙርያኡ ነጸጎ። [19] ስብሕታት እቲ ዝራብዕን ናይቲ ድዑል ኰልኰሉን ንናውቲ ኸብዲ ዜጕልብብ
ቋንጡጥን ኵለሊትን ስብሒ ኸብድን፡ [20] ነቲ ስብሕታት ኣብ ልዕሊ ሓኸሌታት ገበርዎ፡ ንሱ ኸኣ ነቲ
ስብሕታት ኣብ መሰውኢ ኣሕረሮ። [21] ኣሮን ከኣ ነተን ሓኸሌታትን የማነይቲ እግርን፡ ከምቲ ሙሴ
ዝኣዘዞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ወዝወዘን። [22] ኣሮን ድማ ኣእዳዉ ናብቲ
ህዝቢ ኣልዒሉ ባረኾም። መስዋእቲ ሓጢኣትን ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ምስ ሰውኤ፡
ወረደ። [23] ሙሴን ኣሮንን ድማ ናብ ድንኳን ምርኻብ ኣተዉ፡ ወጺኦም ከኣ ነቲ ህዝቢ ባረኽዎ። ክብሪ
እግዚኣብሄር ድማ ንዅሉ እቲ ህዝቢ ተራእዮ። [24] ሓዊ ኸኣ ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወጺ፡ ነቲ ዚሐርር
መስዋእትን ነቲ ስብሕታትን ኣብ ልዕሊ መሰውኢ በልዖ። ኲሎም እቶም ህዝቢ ምስ ረአዩ፡ እልል በሉ፡
ብገጾም ከኣ ፍግም በሉ።

# ምዕራፍ 10

[1] ናዳብን ኣቢሁን፡ ደቂ ኣሮን፡ ጸጽንሃሆም ሐዙ፡ ሓዊ ድማ ገበሩሉ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ዕጣን ኣንበሩሉ፡
ንሱ ዘይኣዘዞም ጋሻ ሓዊ ድማ ናብ እግዚኣብሄር ኣቕረቡ። [2] ሓዊ ኻብ እግዚኣብሄር ወጺኡ ኸኣ በልዖም፡
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ሞቱ። [3] ሽዑ ሙሴ ንኣሮን፥ በቶም ዚቐርቡኒ ክቕደስ እየ፡ ኣብ ቅድሚ
ኵሉ ህዝቢ ኸኣ ክኽብር እየ፡ ኢሉ፡ እግዚኣብሄር እተዛረቦ እዚ እዩ፡ በሎ። ኣሮን ድማ ትም በለ። [4]
ሙሴ ድማ ንሚሳኤልን ንኤልሳፋንን፡ ደቂ ኡዚኤል፡ ሓው ኣቦ ኣሮን፡ ጸዊዑ፥ ቅረቡ እሞ ነሕዋትኩም
ካብ መቕደስ ንወጻኢ ሰፈር ውሰድዎም፡ በሎም። [5] ንሳቶም ድማ ቀረቡ እሞ፡ ከምቲ ሙሴ ዝበሎም፡
ካብ ሰፈር ንወጻኢ ብቐማውሾም ጾርዎም። [6-7] ሙሴ ድማ ንኣሮንን ንደቁ፡ ኣልኣዛርን ኢታማርን፥ ዘይቲ
ቕብኣት እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኹም እዩ እሞ፡ ከይትሞቱስ፡ ነዚ ኣኼባውን ንሱ ኸይኲርየሉ፡
ርእስኹም ኣይተወይፉ፡ ክዳውንትኹም ከኣ ኣይትቕደዱ። በዚ እግዚኣብሄር ዘቃጸሎ ንምዳድ
ኣሕዋትኩም ብዘላ ቤት እስራኤል ትብከ፡ ምእንቲ ኸይትሞቱ፡ ካብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ
ኣይትውጽኡ፡ በሎም። ከምቲ ሙሴ ዝበሎ ኸኣ ገበሩ። [8] እግዚኣብሄር ድማ ንኣሮን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥
[9-11] ንደቂ እስራኤል እቲ እግዚኣብሄር ብሙሴ ዝነገሮም ኲሉ ሕጋጋት ምእንቲ ኽትምህርዎም፡ ኣብ
መንጎ ቅዱስን ዘይቅዱስን፡ ኣብ መንጎ ንጹህን ርኹስን ድማ ክትፈልዩ፡ ንስኻን ደቅኻን ናብ ድንኳን
ምርኻብ ክትኣትዉ ኸሎኹም፡ ምእንቲ ኸይትሞቱ፡ ወይንን ዜስክርን ኣይትስተዩ። እዚ ንውሉድ
ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም ይኹንኩም። [12] ሙሴ ድማ ንኣሮንን ነቶም ዝተረፉ ደቁ፡ ኣልኣዛርን
ኢታማርን፡ ተዛረቦም፥ ነቲ ኻብ መስዋእቲ ሓዊ እግዚኣብሄር ዝተረፈ መስዋእቲ ብልዒ ውሰድዎ፡ ቅዱስ
ቅዱሳን እዩ እሞ፡ ቅጫ ጌርኩም ኣብ ጥቓ መሰውኢ ኺንኩም ብልዕዎ። [13] እዚ ኻብ መስዋእቲ ሓዊ
እግዚኣብሄር መሰልካን መሰል ደቅኻን እዩ እሞ፡ ኣብ ቅድስቲ ቦታ ኺንኩም ብልዕዎ፡ ከምኡ ኣዚዙኒ
እዩ። [14] ካብ መስዋእቲ ምስጋና ደቂ እስራኤል ድማ እቲ ዚውዝወዝ ሐኸለን ዚልዐል እግርን መሰልካን
መሰል ደቅኻን ኰይኑ ተዋሂቡ እዩ እሞ፡ ንስኻን ምሳኻ ድማ ኣወዳትካን ኣዋልድካን ኣብ ንጽህቲ ቦታ
ኺንኩም ብልዕዎ። [15] ምስናይ እቲ ብሓዊ ዚስዋእ ስብሕታት ከኣ ነቲ ዚልዐል እግርን ዚውዝወዝ
ሓኸለን ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪውዝወዝ የምጽእዎ፡ እዚ ኸምቲ
እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ፡ ንኣኻ ንደቅኻ ድማ ምሳኻ መሰል ዘለኣለም ይኹን። [16] ሙሴ ድማ ነቲ ድቤላ
መስዋእቲ ሓጢኣት ኣዝዩ ደለዮ፡ እንሆ ኸኣ ሐሪሩ ነበረ። ሽዑ ነቶም ዝተረፉ ደቂ ኣሮን፡ ኣልኣዛርን
ኢታማርን፡ ከምዚ ኢሉ ኹረየሎም፥ [17] በደል እቲ ኣኼባ ጴርኩም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር

ከተትዐርቖዎም፡ ንእኡ ሂቡኩም እዩ፡ ንሱ ኸኣ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ እሞ፡ ስለምንታይ ኢኹም ንመስዋእቲ
ሓጢኣት ኣብ ቅድስቲ ቦታ ዄንኩም ዘይበላዕኩምዎ፧ [18] እንሆ፡ ደሙ ናብ ውሽጢ መቕደስ
ኣየእተውዎን፡ ከምቲ ዝኣዘዝክዎ፡ ኣብ ምቕደስ ኳንኩም ክትበልዕዎ፡ ርግጽ ምተገብኣኩም ነይሩ። [19]
ኣሮን ድማ ንሙሴ ተዛረቦ፥ እንሆ፡ መስዋእቲ ሓጢኣቶምን ዚሓርር መስዋእቶምን ሎሚ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣቕሪቦም እዮም፡ ንኣይ ከኣ ከምዚ ዝበለ ምስ በጽሓኒ፡ ሎሚ መስዋእቲ ሓጢኣት እንተ
ዝበልዕሲ፡ ኣብ ዓይኒ እግዝኣብሄርዶ ባህ መበለ፧ [20] ሙሴ እዚ ሰሚዑ ባህ በሎ።

# ምዕራፍ 11

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ንኣታቶም ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፥ [2] ንደቂ እስራኤል ከምዚ
ኢልኩም ተዛረብዎም፥ ካብ ኲሎም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ህይወት ዘለዎም፡ እትበልዕዎም እንስሳታት
እዚኣቶም እዮም፥ [3] ካብ እንስሳ ጽፍሩ ስንጡቕ፡ ሸኾናኡ ድማ እተመቕለ፡ መጕስዕ ዚመልስ ዘበለ
ብልዑ። [4] ግናኸ መጕስዕ ካብ ዚመልሱ ወይስ ካብ ሸኾናኦም ዝምቈል፡ እዚኣቲም ኣይትብልዑ፡ ገመል
መጕስዕ ትመልስ እያ፡ ሸኾናኣ ግና ኣይተመቕለን እዩ እሞ፡ ንሳ ንኣኻትኩም ርኽስቲ እያ። [5] ጊሐ ድማ፡
መጕስዕ ትመልስ እያ፡ ሸኾናኣ ግና ኣይተመቕለን እዩ እሞ፡ ንሳ ንኣኻትኩም ርኽስቲ እያ። [6] ማንትሌ
ኸኣ፡ መጕስዕ ትመልስ እያ፡ ሸኾናኣ ግና ኣይተመቕለን እዩ እሞ፡ ንሳ ንኣኻትኩም ርኽስቲ እያ። [7]
ሓሰማ ድማ ሸኾናኣ ምቁል እዩ፡ መጕስዕ ግና ኣይትመልስን እያ እሞ፡ ንሳ ንኣኻትኩም ርኽስቲ እያ። [8]
ንኣኻትኩም ርኹሳት እየን እሞ፡ ካብ ስጋኤን ኣይትብልዑ፡ ገምበንውን ኣይትተንክዩ። [9] ኣብ ማይ ካብ
ዘሎ ኹሉ እዚ ብልዑ፥ ኣብ ማይ፡ ኣብ ባሕርን ኣብ ርባታትን ዚነብሩ፡ ክንፍን ቅረፍትን ዘለዎም
ኲሎም፡ ንኣታቶም ብልዕዎም። [10] ግናኸ ኣብ ማይ ካብ ዚዋሳወስ ኲሉን፡ ኣብ ማይ ካብ ዚነብር ኲሉ
ህያው ትንፋስን፡ ኣብ ባሕርን ኣብ ርባን ዘሎ ኽንፍን ቅረፍትን ዜብሉ ኹሉ፡ ንሳቶም ንኣኻትኩም
ፍንፉናት እዮም። [11] ንኣኻትኩም ፍንፉናት ይኹኑ፡ ካብ ስጋኦም ኣይትብልዑ፡ ንገምቦም ከኣ ፈንፍንዎ።
[12] ኣብ ማይ ዘሎ ኽንፍን ቅረፍትን ዜብሉ ኹሉ፡ ንሱ ንኣኻትኩም ፍንፉን ይኹን። [13] ካብ ኣዕዋፍ ድማ
እትፍንፍንወን፡ ዘይብልዓ፡ እዚኣተን እየን፡ ንሳተን ፍንፉናት እየን፥ ንስርን ገምብን ወሓጥ ዓሳን፡ [14]
ጻዕዳ ኸርሶ፡ በላዕ ልኻይ በብዓይነቱ። [15] ኲሉ ኳኹ በብዓይነቱ፡ [16] ሰገንን ጕጕትን ሮብራን፡ ተገዳር
ሓረስታይ ድማ በብዓይነቱ። [17] ንእሽቶ ጕንጓን ሓሓትን ዓባይ ጕንጓን፡ [18] ቀራን ጕንጓን ቀያሕ ሓሓትን
ኣሞራን፡ [19] ራዛን ሰብ ጸራድ ድማ በብዓይነቱ፡ ተምብሃረጇን መንካዕን። [20] ኲሉ ነፋሪ በርባዕተ
መሓውር ዚኸይድ ለመምታ ንኣኻትኩም ፍንፉን እዩ። [21] ኣርባዕተ መሓውር ካብ ዘለዎ ኹሉ ነፋሪ
ለመምታ ኣብ ልዕሊ እግሩ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዚሰርርን ክልተ ሰለፍ ዘለዋኦ ብልዑ። [22] ካባታቶም
እትበልዕዎም እዚኣቶም እዮም፡ ፋንጣ በብዓይነቱን፡ ኣንበጣ በብዓይነቱን ኲብኲብታ በብዓይነቱን
ጐደበ በብዓይነቱን። [23] ኣርባዕተ መሓውር ዘለዎ ኹሉ ነፋሪ ለመምታ ግና ንሱ ንኣኻትኩም ፍንፉን
እዩ። [24] በዚኣቶም ትረኽሱ ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍ ገምቦም ዝተንከየ ኽሳዕ ምሸት ርኹስ እዩ። [25] ነፍሲ
ወከፍ ገምቦም ዘልዐለ ኸኣ፡ ክዳኑ ይሕጸብ፡ ክሳዕ ምሸት ድማ ይርከስ። [26] ኲሉ እንስሳ ምቑል ሸኾና
ዘለዎ እሞ ፈጺሙ ዘይተሰንጠቐ መጕስዕ ድማ ዘይመልስ፡ ንኣኻትኩም ርኹስ እዩ፡ ዝተንከዮ ዘበለ
ርኹስ እዩ። [27] በርባዕተ መሓውር ካብ ዚኸይድ ኲሉ እንስሳ፡ ብግናዕ ኢዱ ዚኸይድውን፡ ንሳቶም
ንኣኻትኩም ርኹሳት እዮም። ገምቦም ዝተንከየ ዘበለ ኽሳዕ ምጸት ርኹስ እዩ። [28] ገምቦም ዘልዐለ ዘበለ
ድማ ክዳኑ ይሕጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ይረክስ። እዚኣቶም ንኣኻትኩም ርኹሳት እዮም። [29] ኣብ ምድሪ

ለመም ካብ ዚብሉ ለመምታ ድማ እዚኣቶም ንኣኻትኩም ርኹሳት እዮም፥ ፍሒራን ኣንጭዋን ሓማት
ተመን ከኣ በብዓይነቱ፡ 30 ጠበቕን ቀኍርብያን ጒብየን ምንጭልቕኍትን ነፋሒቶን። 31 ካብ ኲሉ ለመም
ዚብል እዚኣቶም ንኣኻትኩም ርኹሳት እዮም። ምስ ሞቱ፡ ዝተንከዮም ዘበለ ኽሳዕ ምሸት ይረክስ። 32
ኣብ ልዕሊ ዝዀነ ነገር፡ ኣቕሓ ዕጨ እንተ ዀይኑ፡ ወይ ክዳን፡ ወይ ጒኖ፡ ወይ ከረጺት፡ ዝዀነ ዚዕየዮ
ኣቕሓ፡ ካብ እዚኣቶም ምስ ሞተ ዝወደቐ ድማ ይረክስ እሞ ናብ ማይ ይእቶ፡ ክሳዕ ምሸት ድማ ይረክስ፡
ሽዑ ይነጽህ። 33 ኣብ ዝዀነ ኣቕሓ መሬት ካብ እዚኣቶም ኣብ ውሽጡ ዝወደቐ ኸኣ ኣብ ውሽጡ ዘሎ
ዅሉ ይረክስ፡ ነቲ ኣቕሓ ድማ ስበርዎ። 34 ኣብኡ ኻብ ዘሎ ዚብላዕ ኲሉ ማይ ዝኣተዎ ብልዒ ይረክስ።
ብዝዀነ ኽምዚ ዝበለ ኣቕሓ ዚስተ ዅሉ መስተ ርኹስ እዩ። 35 ዝዀነ ነገር ካብ ገምቢ እዚኣቶም
ዝወደቐ ኸኣ ይረክስ፡ እቶን ወይ ምድጃ ይፍረስ፡ ንሳቶም ርኹሳት እዮም፡ ንኣኻትኩም ድማ ርኹሳት
ይዅኑ። 36 ዓይኒ ማይ ወይ ማይ ዚዕቍር ሓጽቢ ግና ንጹህ እዩ። ነቲ ገምቢ ዝተንከየ ደኣ ይረክስ። 37
ካብ ገምቦም ገለ ኣብ ዚዝራእ ዘርኢ እንተ ወደቐ ኸኣ፡ ንሱ ንጹህ እዩ። 38 ኣብ ልዕሊ እቲ ዘርኢ ማይ
እንተ ተኻዕዎ እሞ ካብቲ ገምቦም ገለ እንተ ወደቐ፡ ንኣኻትኩም ርኹስ እዩ። 39 ካብቶም ንመብልዕ
ዚዀኑኹም እንስሳ ገለ እንተ ሓለቐ፡ እቲ ነቲ ገምቡ ዝተንከዮ ኽሳዕ ምሸት ይረክስ። 40 ካብቲ ገምቡ
ዝበልዔ ኸኣ ክዳኑ ይሕጸብ፡ ክሳዕ ምሸት ድማ ይረክስ። ነቲ ገምቡ ዘልዐሎውን፡ ክዳኑ ይሕጸብ፡ ክሳዕ
ምሸት ድማ ይረክስ። 41 ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ኲሉ ለመምታ ኸኣ ፍንፉን እዩ፡ ኣይበላዕ ድማ። 42
ኲሉ ብኸብዱ ዚኸይድን በርባዕተ መሓውር ዚኸይድ፡ ወይ ብዙሕ ኣእጋር ዘለዎ ዘበለ፡ ኣብ ልዕሊ
ምድሪ ለመም ዚብል ኲሉ ለመምታን፡ ንሳቶም ፍንፉናት እዮም እሞ፡ ኣይትብልዕዎም። 43 በቲ ለመም
ዚብል ኲሉ ለመምታ ንነፍሳትኩም ኣይተፈንፍኑ፡ ብኣታቶም ከይትረኽሱ፡ ርእስኹም ብኣታቶም
ኣይተርክሱ። 44 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ እሞ፡ ተቐደሱ። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ።
ኣብ ምድሪ ብዚዋሳወስ ኲሉ ለመምታ ነፍሳትኩም ኣይተርክሱ። 45 ኣምላኽኩም ክኸውን ኢለ ኻብ
ምድሪ ግብጺ ዘደየብኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ። ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ። 46-47 ኣብ መንጎ
ርኹስን ንጹህን፡ ኣብ መንጎ ዚብላዕ ህያውን ዘይብላዕ ህያውን ምእንቲ ኽትፈልዩ፡ ብዛዕባ እንስሳን
ኣዕዋፍን ኣብ ማይ ዚዋሳወስ ህይወት ዘለዎ ዅሉ እንስሳን ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ኲሉ እንስሳን እቲ
ሕጊ እዚ እዩ።

# ምዕራፍ 12

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ሰበይቲ
እንተ ጠነሰት፡ ወዲ ኸኣ እንተ ወለደት፡ ሾብዓተ መዓልቲ ትርከስ፡ ከምቲ ብመዓልትታት ሕማም ጻግኒኣ
ትርከስ። 3 ብሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ስጋ ዕልቦኡ ይገዘር። 4 በቲ ደም ንጽህናኣ ኸኣ ሰላሳን ሰለስተን
መዓልቲ ትቀመጥ፡ መዓልትታት ምንጽሃ ኽሳዕ ዚመልአ ቅዱስ ነገር ኣይትተንኪ ናብ መቕደስውን
ኣይትእቶ። 5 ጓል እንተ ወለደት ግና፡ ከምቲ ብእዋን ጻግኒአ ኽልተ ሰሙን ትርከስ፡ በቲ ደም ጽርየታ ኸኣ
ስሳን ሹድሽተን መዓልቲ ትቀመጥ። 6 ናይ ወዲ ወይ ናይ ጓል መዓልትታት ምንጻህ ምስ መልአ፡ ገንሸል
ዓመት ንዚሐርር መስዋእቲ ጫጩት ርግቢ ወይ ከኣ ባሬቶ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ናብ ኣፍ ደገ ድንኳን
ምርኻብ ናብ ካህን ተምጽእ። 7 ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የቕርቦ፡ የተዐርቃ ኸኣ፡ ካብ ዓይኒ
ደማውን ትነጽህ። ሕጊ እታ ወዲ ወይ ጓል ዝወለደት እዚ እዩ። 8 ገንሸል ዚአክል ኣብ ኢዳ እንተ
ዘይረኸበት ከኣ፡ ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ጫጩት ርግቢ፡ ሓንቲ ንዚሓርር መስዋእቲ፡ ካልኣይቲ ኸኣ

ንመስዋእቲ ሓጢኣት ተምጽእ። እቲ ኻህን ድማ የተዕርቃ፡ ትነጽህ ከኣ።

## ምዕራፍ 13

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 2 ሰብ ኣብ ቈርበት ስጋኡ ሕበጥ ወይ
ሽሒር ወይ ብሩህ ብሮት እንተለዎ፡ ኣብ ቈርበት ስጋኡ ኸኣ ከም ቍስሊ ለምጺ ዝበለ እንተ ዀነ፡ ናብ
ካህን ኣሮን ወይ ካብቶም ደቂ ኻህናት ናብ ሓደ የምጽእዎ። 3 እቲ ኻህን ድማ ነቲ ኣብ ቈርበት ስጋኡ
ዘሎ ቍስሊ ይርኤ፡ ኣብቲ ቍስሊ ዘላ ጸጕሪ እንተ ጻዕደወት፡ እቲ ቍስሊ ኸኣ ካብ ቈርበት ስጋኡ
ጐድጒዱ እንተ ተራእየ፡ ቍስሊ ለምጺ እዩ። እቲ ኻህን ምስ ረአዮ፡ ርኹስ ምዃኑ ይንገር። 4 እቲ ብሩህ
ብሮት ኣብ ቈርበት ስጋኡ እንተ ጻዕደወ፡ ካብቲ ቈርበት ከኣ ዐሚቑ እንተ ዘይተርኤ፡ ጸጕሩውን እንተ
ዘይጻዕደወ፡ እቲ ኻህን ድማ ነቲ ቍሱል ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጽዎ። 5 እቲ ኻህን ከኣ ኣብ ሳብዐይቲ
መዓልቲ ይርአዮ፡ እንሆ ድማ፡ እቲ ቍስሊ ኸምቲ ዝነበሮ እንተሎ፡ እቲ ቍስሊ ኸኣ ኣብቲ ቖርበት
እንተ ዘይለሐመ፡ እቲ ኻህን ካልኣት ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጾዎ። 6 እቲ ኻህን ድማ ኣብ ሳብዐይቲ
መዓልቲ ኻልኣይ ሳዕ ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ እንተ ፋሕሸወ፡ ኣብቲ ቈርበትውን እንተ
ዘይለሐመ፡ ንሱ ሽሒር እዩ፡ እቲ ኻህን ድማ ንጹህ ምዃኑ ይንገር። ክዳውንቱ ይሕጸብ እሞ ይነጽህ። 7
ንምንጻህ ኣብ ካህን ምስ ተራእየ፡ እቲ ሽሒር ኣብ ቈርበቱ እንተ ለሐመ፡ ካልኣይ ሳዕ ኣብ ካህን ይርኤ። 8
እቲ ኻህን ድማ ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ሽሒር ኣብቲ ቈርበት እንተ ለሐመ፡ ንሱ ለምጺ እዩ፡ ሽዑ
ርኹስ ምዃኑ እቲ ኻህን ይንገር። 9 ንሰብ ቍስሊ ለምጺ እንተለዎ፡ ናብ ካህን የምጽእዎ። 10 እቲ ኻህን
ድማ ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብ ቈርበቱ ጻዕዳ ሕበጥ እንተሎ፡ ንሱ ኸኣ ነቲ ጸጕሪ እንተ ኣጻዕደዎ፡ ኣብቲ
ሕበጥ ድማ ብርንዶ ዚመስል ስጋ እንተሎ፡ 11 ንሱ ኣብ ቈርበት ስጋኡ ኣረጊት ለምጺ እዩ፡ ርኹስ ምዃኑ
ድማ እቲ ኻህን ይንገር። ርኹስ እዩ እሞ፡ ኣይዕጾዎ። 12 እቲ ለምጺ ኣብ ቈርበት ገፊሑ እንተ ወጸ፡ እቲ
ለምጺ ኸኣ ነቲ ቍሱል፡ ዓይኒ እቲ ኻህን ዚርእዮ ዘበለ፡ ካብ ርእሱ ኽሳዕ እግሩ ንዂሉ ቈርበቱ እንተ
ኸደኖ፡ 13 ሽዑ እቲ ኻህን ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ ንብዘሎ ስጋኡ ለምጺ እንተ ኸደኖ፡ ሽዑ እቲ ቍሱል ከም
ዝነጽሄ ይንገር። ብዘሎ ጻዕድዩ እዩ፡ ንሱ ንጹህ እዩ። 14 በታ ብርንዶ ዚመስል ስጋ እተራእየላ መዓልቲ
ግና ርኹስ እዩ። 15 እቲ ኻህን ብርንዶ ዚመስል ስጋ ምስ ዚርኢ፡ ርኹስ ምዃኑ ይንገር። እቲ ብርንዶ
ዚመስል ስጋ፡ ንሱ ርኹስ እዩ፡ ንሱ ለምጺ እዩ። 16 ወይ እቲ ብርንዶ ዚመስል ስጋ መሊሱ ኣብ ጻዕዳ
እንተ ተለወጠ፡ ናብ ካህን ይምጻእ። 17 እቲ ኻህን ድማ ይርኣዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ መሊሱ እንተ
ጻዕደወ፡ ሽዑ እቲ ኻህን እቲ ቍሱል ንጹህ ምዃኑ ይንገር፡ ንሱ ንጹህ እዩ። 18 ንስጋ ኣብ ቈርበቱ ዝሐወየ
ቍስሊ እንተለዎ፡ 19 ኣብቲ በሰላ ኸኣ ጻዕዳ ሕበጥ ወይ ብሩህ ቅይሕ ዝበለ ጻዕዳ ብሮት እንተሎ፡ ሽዑ
ኣብ ካህን ይርኤ። 20 እቲ ኻህን ድማ ይርኣዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ ካብቲ ቈርበት ጐድጒዱ እንተ ተራእየ፡ ጸጕሪ
ኸኣ መሊሱ እንተ ጻዕደወ፡ ሽዑ ርኹስ ምዃኑ እቲ ኻህን ይንገር፡ ንሱ ኣብ በሰላ ዝወጸ ቍስሊ ለምጺ
እዩ። 21 እቲ ኻህን እንተ ረአዮ እሞ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብኡ ጻዕዳ ጸጉሪ እንተ ዜልቦ፡ ካብቲ ቈርበትውን
እንተ ዘይጐድጐደ፡ ንሱ ድማ እንተ ፋሕሸወ፡ ሽዑ እቲ ኻህን ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጾዎ። 22 ኣብቲ
ቈርበት እንተ ለሐመ ኸኣ፡ ንሱ ቍስሊ ለምጺ እዩ፡ ሽዑ ርኹስ ምዃኑ እቲ ኻህን ይንገር። 23 እቲ ብሩህ
ብሮት ከይለሐመ ኣብቲ ዘለዎ እንተ ቈመ ድማ፡ ንሱ በሰላ ቍስሊ እዩ፡ ንጹህ ምዃኑ ኸኣ እቲ ኻህን
ይንገር። 24 ወይ እቲ ስጋ ኣብ ቈርበቱ ንዳድ ሓዊ እንተለዎ፡ እሞ ኣብቲ ንዳድ ሓዊ ቅይሕ ዝበለ ጻዕዳ
ወይ ጻዕዳ ብሩህ ብሮት እንተ ዀነ። 25 ሽዑ እቲ ኻህን ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ ጸጕሪ እቲ ብሩህ ብሮት

መሊሱ እንተ ጸዕደወ፡ ካብቲ ቈርበት ከኣ ጐድጒዱ እንተ ተራእየ፡ ንሱ ኣብቲ በሰላ ሓዊ ዝወጸ ለምጺ
እዩ፡ ንሱ ቝስሊ ለምጺ እዩ፡ ርኹስ ምዃኑ ድማ እቲ ኻህን ይንገር። [26] ግናኸ እቲ ኻህን እንተ ረአዮ፡
እንሆ ድማ፡ ኣብቲ ብሩህ ብሮት ጸዕዳ ጸጒሪ እንተ ዜልቦ፡ ካብቲ ቈርበት ከኣ እንተ ዘይጐድጐደ እንተ
ፋሕሸወ ድማ፡ እቲ ኻህን ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጸዎ። [27] ኣብታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ እቲ ኻህን
ይርኣዮ፡ ኣብ ቈርበቱ እንተ ለሐመ፡ ንሱ ቝስሊ ለምጺ እዩ፡ ሽው ርኹስ ምዃኑ እቲ ኻህን ይንገር። [28]
እቲ ብሩህ ብሮት ኣብቲ ዘለዎ እንተ ቘመ ኸኣ፡ ኣብ ቈርበትውን እንተ ዘይለሐመ፡ ንሱ ድማ እንተ
ፋሕሸወ፡ ንሱ ሕበጥ ሓዊ እዩ፡ በሰላ ሓዊ እዩ እሞ፡ እቲ ኻህን ንጹህ ምዃኑ ይንገር። [29] ሰብኣይ ወይ
ሰበይቲ ኣብ ርእሲ ወይ ኣብ ጭሕሚ ቝስሊ እንተለዎ፡ [30] እቲ ኻህን ነቲ ቝስሊ ይርኣዮ፡ እንሆ ኸኣ፡
ካብቲ ቈርበት ጐድጒዱ እንተ ተራእየ፡ ናብ ቀጢን ብጫ ዜብል ጸጒሪ ኸኣ እንተለዎም፡ ንሱ ዕንፍሩር
እዩ ናይ ርእሲ ወይ ናይ ጭሕሚ ለምጺ እዩ፡ ሽው ርኹስ ምዃኑ እቲ ኻህን ይንገር። [31] እቲ ኻህን ነቲ
ቝስሊ ዕንፍሩር እንተ ረአየ፡ እንሆ ኸኣ፡ ካብቲ ቕርበት ዕሚቚ እንተ ዘይተራእየ፡ ጸሊም ጸጒሪ ድማ
እንተ ዜብሉ፡ ነቲ ቝስሊ ዕንፍሩር ዘለዎ እቲ ኻህን ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጸዎ። [32] ኣብ ሳብዓይቲ
መዓልቲ ድማ እቲ ኻህን ነቲ ቝስሊ ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ዕንፍሩር እንተ ዘይለሐመ፡ ናብ ብጫ
ዜብል ጸጒሪውን እንተ ዜብሉ፡ እቲ ዕንፍሩር ከኣ ካብቲ ቈርበት ዕሚቚ እንተ ዘይተራእየ፡ [33] ንሱ ይላጸ፡
ነቲ ዕንፍሩር ዘለዎ ግና ኣይላጽዮ፡ እቲ ኻህን ድማ ነቲ ዕንፍሩር ዘለዎ መሊሱ ሾብዓተ መዓልቲ
ይዕጸዎ። [34] ኣብ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ እቲ ኻህን ነቲ ዕንፍሩር ይርኣዮ፡ እንሆ ድማ፡ እቲ ዕንፍሩር ኣብ
ቈርበት እንተ ዘይለሐመ፡ ካብቲ ቈርበትውን ዕሚቚ እንተ ዘይተራእየ፡ እቲ ኻህን ንጹህ ምዃኑ ይንገር፡
ክዳውንቱ ድማ ይሕጸብ፡ ይነጽህ ከኣ። [35] ድሕሪ ምንጻሁ ግና እቲ ዕንፍሩር ኣብቲ ቈርበት እንተ ለሐመ፡
[36] እቲ ኻህን ይርአዮ። እንሆ ድማ፡ እቲ ዕንፍሩር ኣብ ቈርበት እንተ ለሐመ፡ እቲ ኻህን ናብ ብጫ
ዜብል ጸጒሪ እንተሎ ኢሉ ኣይድለ፡ ንሱ ርኹስ እዩ። [37] እቲ ዕንፍሩር ኣብቲ ዘለዎ ቈይሙ፡ ኣብኡውን
ጸሊም ጸጒሪ በቝሉ እንተ ረአየ ግና፡ እቲ ዕንፍሩር ሐውዩ እዩ፡ ንሱ ንጹህ እዩ፡ እቲ ኻህን ድማ ንጹህ
ምዃኑ ይንገር። [38] ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ኣብ ቈርበት ስጋኡ ብሩህ ብሮት፡ ጸዕዳ ብሩህ ብሮት እንተለዎ፡
[39] እቲ ኻህን ይረአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ቈርበት ስጋኦም ዘሎ ብሩህ ብሮት ፍሕሸው ዝበለ ጸዕዳ
እንተ ኾነ፡ እዚ ኣብ ቈርበት ዝወጸ ተውሳስ እዩ፡ ንሱ ንጹህ እዩ። [40] ሰብ ጸጒሪ ርእሱ እንተ ተመልጠ፡
ናይ ምንኳዕ እዩ፡ ንሱ ንጹህ እዩ። [41] ርእሱ ብሸነኽ ቅድሚት እንተ ተመልጠ ድማ፡ ምብራሕ እዩ፡ ንሱ
ንጹህ እዩ። [42] ኣብ ነዃው ወይ ኣብ በራሕ ርእሱ ቕይሕ ዝበለ ጸዕዳ ቝጽሊ እንተለዎ፡ ንሱ ኣብ ነዃው
ወይ ኣብ በራሑ ዝወጸ ለምጺ እዩ። [43] እቲ ኻህን ድማ ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ኣብ ነዃው ወይ ኣብ
በራሑ ዘሎ ሕበጥ ቍስሊ፡ ከምቲ ናይ ቈርበት ስጋ ለምጺ ቅይሕ ዝበለ ጸዕዳ ኾይኑ እንተ ተራእየ፡ [44]
ለምጻም ሰብ እዩ። ንሱ ርኹስ እዩ፡ ርኹስ ምዃኑ እቲ ኻህን ኣርጊጹ ይንገረሉ፡ ቍስሉ ኣብ ርእሱ ኣሎ።
[45] እቲ ቝስሊ ዘለዎ ለምጻም ክዳኑ ቕዱድ ይኹን፡ ርእሱ ኸኣ ይቀላዕ፡ ጭሕሙ ድማ ይኸደን፡ ርኹስ፡
ርኹስ፡ ኢሉ ኸኣ ይጨርሕ። [46] ቍስሊ ዘለዎ ኹሉ መዓልቲ ርኹስ ይኹን፡ ንሱ ርኹስ እዩ። ንበይኑ
ይቀመጥ፡ ምቕማጡ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይኹን። [47-48] ኣብ ክዳን ድማ፡ ኣብ ክዳን ጸጒሪ ወይ ኣብ ክዳን
ልሕጺ እንጣጢዕ፡ ኣብ ቅተኒ ወይ ኣብ ፋእሚ ናይ እንጣጢዕ ወይ ናይ ጸጒሪ፡ ወይ ኣብ ቈርበት ወይ
ኣብ ዝኾነ ኻብ ቈርበት እተገብረ ነገር፡ ቍስሊ ለምጺ እንተለዎ፡ [49] እቲ ቝስሊ ድማ ኣብ ክዳን ወይ
ኣብ ቈርበት ወይ ኣብ ቅተኒ ወይ ኣብ ፋእሚ ወይ ኣብ ዝኾነ ኣቕሓ ቈርበት፡ ሕምልይ ወይ ቅይሕ
እንተ በለ፡ ንሱ ቝስሊ ለምጺ እዩ፡ ኣብ ካህን ድማ ይረኤ። [50] እቲ ኻህን ከኣ ነቲ ቝጽሊ ይርአዮ፡ ነቲ
ቝሱል ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጸዎ። [51] በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ነቲ ቝስሊ ይርአዮ። እቲ ቝስሊ ኣብ

ክዳን ወይ ኣብ ቅጥኒ ወይ ኣብ ፋእሚ ወይ ኣብ ቈርበት፡ ንዝዀነ ዕዮ ኻብ ቈርበት ኣብ እተገብረ ነገር
እንተ ለሐመ፡ እዚ ቍስልዚ በላዒ ለምጺ እዩ፡ ንሱ ርኹስ እዩ። 52 ነቲ ኽዳን ድማ፡ ወይ ቅጥኒ ወይ
ፋእሚ ናይ ጸጕሪ እንተ ዀነ ወይ ናይ እንጣጢዕ፡ ወይ ዝዀነ ኣቕሓ ቈርበት እቲ ቍስሊ ዘለዎ ዘበለ፡
ይንደድ። በላዒ ለምጺ እዩ እሞ፡ ብሓዊ ይንደድ። 53 እቲ ኻህን ድማ እንተ ረአየ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ
ቍስሊ ኣብ ክዳን ወይ ኣብ ቅጥኒ ወይ ኣብ ፋእሚ ወይ ኣብ ዝዀነ ኣቕሓ ቈርበት እንተ ዘይለሐመ፡ 54
ሽዑ ነቲ ቍስሊ ዘለዎ ኺሐጽብዎ እቲ ኻህን ይአዝዝ፡ መሊሱ ድማ ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጸዎ። 55 እቲ
ቍስሊ ምስ ተሐጽበ ድማ፡ እቲ ኻህን ይርአዮ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ ሕብሩ እንተ ዘይለወጠ፡ እቲ
ቍስሊ ድማ እንተ ዘይለሓመ፡ ንሱ ርኹስ እዩ፡ ብሓዊ ኣንድዶ። እቲ ብሉዕ፡ ብውሽጢ እንተ ዀነ ወይ
ብወጻኢ፡ ንሱ ዜዕምቍ በላዒ እዩ። 56 እቲ ኻህን ድማ እንተ ረአየ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ ድሕሪ
ምሕጻቡ እንተ ፋሕሸወ፡ ካብቲ ኽዳን ወይ ካብቲ ቈርበት ወይ ካብቲ ቐጥኒ ወይ ካብቲ ፋእሚ
ይቕደዶ። 57 ኣብቲ ኽዳን፡ ወይ ኣብቲ ቐጥኒ ወይ ኣብቲ ፋእሚ ወይ ኣብ ዝዀነ ኣቕሓ ቈርበት ገና እንተ
ተራእየ፡ ዝወጸ ለምጺ እዩ፡ ነቲ ቍስሊ ዘለዎ ብሓዊ ኣንድዶ። 58 እቲ እተሐጽቦ ኽዳን፡ ወይ ቅጥኒ ወይ
ፋእሚ ወይ ዝዀነ ቈርበት፡ እቲ ቍስሊ እንተ ኸደሉ፡ ካልኣይ ሳዕ ይተሐጸብ፡ ይነጽህ ድማ። 59 ብዛዕባ
ቍስሊ ለምጺ ኣብ ክዳን ጸጕሪ ወይ ናይ እንጣጢዕ ወይ ኣብ ቅጥኒ ወይ ኣብ ፋእሚ ወይ ኣብ ዝዀነ
ኣቕሓ ቈርበት፡ ንጹህ ምዃኑ ወይ ርኹስ ምዃኑ ምንጋር፡ ሕጉ እዚ እዩ።

# ምዕራፍ 14

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ 2 ነቲ ለምጻም ብመዓልቲ ምንጻሁ እቲ ሕጊ እዚ
ይኹን፥ ናብ ካህን የምጽእዎ። 3 እቲ ኻህን ከኣ ናብ ወጻኢ እቲ ሰፈር ይውጻእ። እቲ ኻህን ድማ ይርአዮ፡
እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ ለምጺ ኣብቲ ለምጻም እንተ ሐወየ፡ 4 ሽዑ እቲ ኻህን ስለ እቲ ዚነጽህ ክልተ
ንጹሃት ኣዕዋፍ ብህይወተን፡ ዕጨይቲ ቄድሮስን ጽሩይ ቀይሕ ፈትልን ስምዕዛን ከኣ ኪወስዱ ይአዝዝ። 5
እቲ ኻህን ድማ ካብተን ኣዕዋፍ ሓንቲኤን ኣብ ኣቕሓ መሬት ኣብ ልዕሊ ፈልፋሊ ማይ ገይሮም ኪሐርዱ
ይአዝዝ። 6 ነታ ህያው ዑፍን ነቲ ዕጨይቲ ቄድሮስን ነቲ ጽሩይ ቀይሕ ፈትልን ነቲ ስምዕዛን ይውሰድ
እሞ ምስናይ እታ ህያው ዑፍ ኣብ ደም እታ ኣብ ልዕሊ እቲ ፈልፋሊ ማይ እተሐርደት ዑፍ ይጥለቆ። 7
ኣብ ልዕሊ እቲ ኻብ ለምጺ ዚነጽህ ከኣ ሾብዓተ ሳዕ ይንጸገሉ እሞ ንጹህ ምዃኑ ይንገር፡ ነታ ህያው
ዑፍ ንመሮር ትኺድ ይሕደጋ። 8 እቲ ዚነጽህ ድማ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ኲሉ ጸጕሩ ኸኣ ይላጺ፡
ብማይውን ይተሐጸብ፡ ይነጽህ ከኣ። ድሕርዚ ድማ ናብ ሰፈር ይእቶ፡ ግናኸ ኣብ ወጻኢ ድንኳኑ ሾብዓተ
መዓልቲ ይቀመጥ። 9 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ኣብ ሳብዐይቲ መዓልቲ ዅሉ ጸጕሩ ይላጺ፡ ርእሱን ጭሕሙን
ቅርኒብ ዓይኑን ኩሉ ጸጕሩን ይላጺ። ክዳውንቱ ኸኣ ይሕጸብ፡ ስጋኡ ድማ ብማይ ይተሐጸብ፡ ይነጽህ
ከኣ። 10 ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ጕደሎ ዜብሎም ክልተ ገንሸልን ጕደሎ ዜብላ ዓመት ዝገበረት
ሓንቲ ሸበንን፡ ንመስዋእቲ ብልዒ ኸኣ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ ብዘይቲ እተቘምጥዔ፡
ሓደ ሉግ ዘይቲ ኸኣ ይወስድ። 11 እቲ ዜንጽህ ካህን ድማ ነቲ ዚነጽህ ሰብን ነዚ ነገርዝን ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ የቑሞ። 12 እቲ ኻህን ድማ ነቲ ሓደ ገንጸል ምስቲ ሉግ ዘይቲ
ወሲዱ ንመስዋእቲ በደል ይቕርቦ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ይወዝውዞ።
13 እቲ መስዋእቲ ሓጢኣት ነቲ ኻህን ከም ዝዀነ፡ እቲ መስዋእቲ በደል ከኣ ከምኡ እዩ እሞ፡ እቲ ገንጸል
ኣብቲ መስዋእቲ ሓጢኣትን ዚሐርር መስዋእትን ዚሕረዱሉ ቦታ፡ ኣብ ቅዱስ ቦታ ይተሐረድ፡ ንሱ

ቅዱስ ቅዱሳን እዩ። 14 እቲ ኻህን ድማ ካብቲ ደም መስዋእቲ በደል ይውሰድ፡ እቲ ኻህን ከኣ ነቲ ዚነጽህ
ኣብ የማነይቲ መስቌር እዝኑን ኣብ ዓበይቶ የማነይቲ ኢዱን ኣብ ዓበይቶ የማነይቲ እግሩን ይልከዮ። 15
እቲ ኻህን ድማ ካብቲ ሉግ ዘይቲ ወሲዱ ኣብ ግናዕ ጸጋመይቲ ኢዱ ይኽዐዎ። 16 እቲ ኻህን ከኣ
የማነይቲ ኣጻብዑ ኣብቲ ኣብ ጸጋመይቲ ኢዱ ዘሎ ዘይቲ ይጥማዕ እሞ ካብቲ ዘይቲ በጻብዑ ሾብዓተ ሳዕ
ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይንጸግ። 17 ኣብ ልዕሊ እቲ ደም መስዋእቲ በደል ድማ እቲ ኻህን ካብቲ ኣብ
ኢዱ ዝተረፈ ዘይቲ ነቲ ዚነጽህ ኣብ የማነይቲ መስቌር እዝኑን ኣብ ዓበይቶ የማነይቲ ኢዱን ኣብ ዓበይቶ
የማነይቲ እግሩን ይልከዮ። 18 ነቲ ኣብ ኢድ እቲ ኻህን ዝተረፈ ዘይቲ ኸኣ ናብ ርእሲ እቲ ዚነጽህ
ይግበሮ፡ እቲ ኻህን ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የተዐርቆ። 19 እቲ ኻህን ከኣ መስዋእቲ ሓጢኣት
ይሰውእ እሞ ነቲ ኻብ ርኽሰቱ ዚነጽህ የተዐርቆ፡ ድሕሪኡ ድማ ዚሐርር መስዋእቲ ይሕረድ። 20 እቲ
ኻህን ድማ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ብልዕን ኣብ ልዕሊ መሰውኢ የቕርብ፡ እቲ ኻህን ከኣ
የተዐርቆ፡ ንሱውን ይነጽህ። 21 ንሱ ድኻ እንተ ኾነ፡ ንኽንድዚ ዚኣክል ኣብ ኢዱ እንተ ዜብሉ ድማ፡
ንመስዋእቲ በደል ንመተዓረቒኡ ኺውዝውዞ ሓደ ገንሸል ይውሰድ፡ ንመስዋእቲ ብልዒ ኸኣ ዓስራይ ኣፍ
ኤፋ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ሓደ ሉግ ዘይቲ ድማ፡ 22 ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ጫጩት
ርግቢ ኸምቲ ኣብ ኢዱ ዝረኸቦ፡ እታ ሓንቲ ንመስዋእቲ ሓጢኣት፡ እታ ኻልኣይቲ ኸኣ ንዚሐርር
መስዋእቲ ይውሰድ። 23 ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ንምንጻሁ እዚ ነገርዚ ናብ ካህን፡ ናብ ኣፍ ድንኳን
ምርኻብ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የምጽኣዮ። 24 እቲ ኻህን ድማ ነቲ ገንሸል መስዋእቲ በደልን ነቲ ሉግ
ዘይትን ይውሰድ እሞ እቲ ኻህን ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይወዝውዞ። 25 ነቲ
ገንሸል መስዋእቲ በደል ከኣ ይሕረዶ። እቲ ኻህን ድማ ካብ ደም እቲ መስዋእቲ በደል ወሲዱ፡ ነቲ
ዚነጽህ የማነይቲ መስቌር እዝኑን ዓበይቶ የማነይቲ ኢዱን ዓበይቶ የማነይቲ እግሩን ይልከዮ። 26 እቲ
ኻህን ድማ ካብቲ ዘይቲ ኣብ ግናዕ ጸጋመይቲ ኢዱ ይኹዮ፡ 27 እቲ ኻህን ከኣ ካብቲ ኣብ ጸጋመይቲ ኢዱ
ዘሎ ዘይቲ ብየማነይቲ ኣጻብዑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሾብዓተ ሳዕ ይንጸግ። 28 ኣብ ልዕሊ እቲ ደም
መስዋእቲ በደል ዘለዎ ቦታ ድማ እቲ ኻህን ነቲ ዚነጽህ ካብቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ዘይቲ ኣብ የማነይቲ
መስቌር እዝኑን ኣብ ዓበይቶ የማነይቲ ኢዱን ኣብ ዓበይቶ የማነይቲ እግሩን ይልከዮ። 29 ነቲ ኻብቲ
ዘይቲ ዝተረፈ፡ ኣብ ኢድ እቲ ኻህን ዘሎ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኬተዐርቖ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ዚነጽህ
ይግበሮ። 30 ከምቲ ኣብ ኢዱ ዝረኸቦ፡ ሓንቲ ኻብተን ባሬቶ ወይ ሓንቲ ኻብተን ጫጩት ርግቢ
ይሰውእ። 31 ምስቲ መስዋእቲ ብልዒ፡ ከምቲ ኣብ ኢዱ ዝረኸቦ፡ ሓንቲ ንመስዋእቲ ሓጢኣት፡ ሓንቲ
ኸኣ ንዚሐርር መስዋእቲ ይሰውእ። እቲ ኻህን ከኣ ነቲ ዚነጽህ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የተዐርቆ። 32
ብዛዕባ እቲ ቑስሊ ለምጺ ዘለዎ ንምንጻህ ዜድሊ ኣብ ኢዱ ዚኣክል ዘይረኽበ፡ ሕጉ እዚ እዩ። 33
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ክምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 34 ናብቲ ኣነ ንርስቲ ዝህበኩም ምድሪ
ኸነኣን ምስ ኣቶኹም እሞ ኣብታ እተረስቴኹምዋ ሃገር ናብ ሓንቲ ቤት ቍስሊ ለምጺ እንተ ሰደድኩ፡ 35
ሽዑ እቲ በዓል ቤት ናብቲ ኻህን መጺኡ፡ ኣብ ቤተይ ከም ቍስሊ ለምጺ ዝበለ ተራእዩኒ፡ ኢሉ
ይንገሮ። 36 እቲ ኻህን ድማ ነቲ ቑስሊ ኺርኢ፡ ገና ናብታ ቤት ከይአተወ፡ ኣብ ቤት ዘሎ ኹሉ
ኸይረክስ፡ እቲ ኻህን ነታ ቤት ጥራያ ኪገብርዋ ይኣዝዝ። ድሕሪዚ እቲ ካህን ነታ ቤት ኪርኢ ይእቶ። 37
ነቲ ቑስሊ ድማ ይርኣዮ። እንሆ ከኣ እቲ ቑስሊ ኣብ መንደቕ እታ ቤት ሕምልይ ዝበለ ወይ ቅይሕ
ዝበለ ጐደጐድ ካብቲ መንደቕ ዐሚቑ እንተ ተራእየ፡ 38 ሽዑ እቲ ኻህን ካብታ ቤት ናብ ኣፍ ደገ እታ
ቤት ይውጻእ፡ ነታ ቤት ከኣ ሾብዓተ መዓልቲ ይዕጸዋ። 39 እቲ ኻህን ድማ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ
ተመሊሱ ይርአያ፡ እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቑስሊ ኣብ መንደቕ እታ ቤት እንተ ለሐመ፡ 40 ሽዑ ነቲ ቑስሊ ዘለዎ

ኣእማን ኣውጺኦም ናብ ወጻኢ ኸተማ፡ ናብ ርኹስ ቦታ ኺድርብይዎ፡ እቲ ኻህን ይኣዝዝ። 41 እታ ቤት
ድማ ብውሽጣ ዙርያኣ ትተሓኸኽ፡ እቲ ሕካኽ መሬት ከኣ ናብ ወጻኢ ኸተማ፡ ናብ ርኹስ ቦታ
ይጕሓፍ። 42 ኣብ ክንዲ እቲ ኣእማን ድማ ካልእ ኣእማን ወሲዶም የእትዉ። ካልእ መሬት ወሲዱ ኸኣ
ነታ ቤት ይለቕልቓ። 43 ነቲ ኣእማን ምስ ኣውጽኤ፡ እታ ቤት ድማ ምስ ተሓከትን ምስ ተለቕለቐትን፡
እቲ ቍስሊ ኣብታ ቤት መሊሱ እንተ ወጸ። 44 እቲ ኻህን ኣትዩ ይርኣያ። እንሆ ኸኣ፡ እቲ ቍስሊ ኣብታ
ቤት እንተ ለሐመ፡ ንሱ ኣብታ ቤት ዚባላዕ ለምጺ እዩ እሞ፡ ንሳ ርኽስቲ እያ። 45 ነታ ቤት ድማ እምናን
ዕጨይታን፡ ኵሉ መሬት እታ ቤትውን ኣፍሪሱ፡ ናብ ወጻኢ ኸተማ ናብ ርኹስ ቦታ ይጕሓፎ። 46 ነታ
ቤት በተን እትዕጸወለን ኵለን መዓልትታት ዝኣተዋ ድማ ክሳዕ ምሸት ርኹስ ይኹን። 47 ኣብታ ቤት
ዝደቀሰ ኸኣ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ኣብታ ቤት ዝበልዔውን ክዳውንቱ ይሕጸብ። 48 እቲ ኻህን ነታ ቤት
ኪርኢ እንተ ኣተወ፡ እንሆ ኸኣ፡ እታ ቤት ምስ ተለቕለቐት፡ እቲ ቍስሊ ኣብታ ቤት እንተ ዘይለሐመ፡
እቲ ቍስሊ ሐውዩ እዩ እሞ፡ እታ ቤት ንጽህቲ ምዃና እቲ ኻህን ይንገር። 49 ንምንጻህ እታ ቤት ድማ
ክልተ ዑፍን ዕጨይቲ ቄድሮስን ጽሩይ ቀይሕ ፈትልን ስምዕዛን ይውሰድ፡ 50 ነታ ሓንቲ ዑፍ ድማ ኣብ
ልዕሊ ፈልፋሊ ማይ፡ ኣብ ኣቕሓ መሬት ይሕረዳ። 51 ነቲ ዕንጨይቲ ቄድሮስን ስምዕዛን ጽሩይ ቀይሕ
ፈትልን ነታ ህያው ዑፍን ወሲዱ፡ ኣብ ደም እታ እተሓርደት ዑፍን ኣብቲ ፈልፋሊ ማይን ጠሚዑ ነታ
ቤት ሾብዓተ ሳዕ ይንጸገላ። 52 ነታ ቤትውን ብደም እታ ዑፍን በቲ ፈልፋሊ ማይን በታ ህያው ዑፍን
ብዕጨይቲ ቄድሮስን ብስምዕዛን ብጽሩይ ቀይሕ ፈትልን የንጽሃያ። 53 ነታ ህያው ዑፍ ድማ ናብ ወጻኢ
ኸተማ ንመሮር ትኺድ ይሕደጋ። ነታ ቤት ከኣ የተዐርቃ እሞ ትነጽህ። 54 ንዅሉ ዓይነት ቍስሊ ለምጽን
ንዕንፍሩርን፡ 55 ንለምጺ ኣብ ክዳንን ኣብ ቤትን፡ 56 ንሕበጥን ንጸፋዕታን ንብሩህ ብርትን፡ እቲ ሕጊ እዚ
እዩ። 57 ዚረኽሰላ መዓልትን ዚነጽሃላ መዓልትን ኬፍልጥ፡ ሕጊ ለምጺ እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 15

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረብዎም በልዎም
ከኣ፡ ሓደ ሰብ ካብ ስጋኡ ጅግል ምስ ዚከዕዎ፡ በቲ ምኽዓዉ ርኹስ እዩ። 3 እቲ ጅግሉ ክሳብ ዘሎ፡
ርኽሰቱ እዚ እዩ። ስጋኡ ጅግል እንተ ኸዐወ፡ ነቲ ጅግል እንተ ኸልከሎ፡ ንሱ ርኽሰቱ እዩ። 4 እቲ በዓል
ጅግል ዝደቀሶ ዅሉ መደቀሲ ይረክስ፡ ኮፍ ዝበሎ ዅሉ ኣቕሓ ድማ ይረክስ። 5 ንመደቀሲኡ ዝተንከዮ
ዘበለ ኸኣ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ድማ ይተሓጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 6 በዓል ጅግል
ኮፍ ኣብ ዝበሎ ኣቕሓ ኾፍ ዚብልውን፡ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሓጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን
ርኹስ ይኹን። 7 ንስጋ እቲ ጀጋል ዝተንከየ ድማ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሓጸብ፡ ክሳዕ
ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 8 እቲ ጀጋል ንሓደ ንጹህ ጡፍ እንተ በሎ ኸኣ፡ ንሱ ኽዳውንቱ ይሕጸብ
ብማይ ድማ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 9 እቲ ጀጋል እተወጥሓሉ ዘበለ ዅረሻ ኸኣ
ርኹስ ይኹን። 10 ኣብ ትሕቲኡ ዝነበረ ዅሉ ነገር ዝተንከየ ዘበለውን ክሳዕ ምሸት ርኹስ ይኹን፡ ነዚ
ዘልዐለ ኸኣ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ድማ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 11 እቲ ጀጋል
ኢዱ ኸይተሐጽበ ዝተንከዮ ዅሉ፡ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ
ይኹን። 12 እቲ ጀጋል ዝተንከዮ ኣቕሓ መሬት ይሰበር፡ ኵሉ ኣቕሓ ዕጨይቲ ኸኣ ብማይ ይተሐጸብ። 13
እቲ ጀጋል ካብ ጅግሉ ምስ ነጽሄ ድማ፡ ንምንጻሁ ሾብዓተ መዓልቲ ይቍጸር፡ ክዳውንቱ ድማ ይሕጸብ፡
ስጋኡ ኸኣ ብፈልፋሊ ማይ ይተሐጸብ፡ ሽዑ ይነጽህ። 14 ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ክልተ ባሬቶ ወይ

ክልተ ጫጩት ርግቢ ይውሰድ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ናብ ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ይምጻእ፡ ነቲ
ኻህን ከኣ ይሀቦ። 15 እቲ ኻህን ድማ፡ እታ ሓንቲ ንመስዋእቲ ሓጢኣት፡ እታ ሓንቲ ድማ ንዝሓርር
መስዋእቲ ይሰውኣየን። ካብ ጅግሉ ኸኣ እቲ ኻህን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የተዐርቆ። 16 ሰብኣይ ካብ
ዘርኡ እንተ ወጾ ድማ ብዘሎ ስጋኡ ብማይ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 17 እቲ ዘርኢ
እተኻዕዎ ኽዳውንትን ማእስን ኲሉ ብማይ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸት ከኣ ርኹስ ይኹን። 18 ሰበይቲ ድማ
ሰብኣይ ብምኽዓው ዘርኢ እንተ ደቀሳ፡ ክልቲኦም ብማይ ይተሐጸቡ፡ ክሳዕ ምሸት ከኣ ርኹሳት ይኹኑ።
19 ሰበይቲ ድማ፡ ጻግነ ብምኧና ደም ካብ ስጋኣ እንተ ተኻዕዋ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ትርከስ፡ ዝተንከያ
ዘበለ ኸኣ ክሳዕ ምሸት ርኹስ ይኹን። 20 ብጻግኒኣ ዝደቀሰቶ ዅሉ ነገር ርኹስ ይኹን፡ ኮፍ ዝበለቶ ኸኣ
ርኹስ ይኹን። 21 መደቀሲኣ ዝተንከየ ዘበለ ድማ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ
ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 22 ንሳ ኾፍ ዝበለቶ ዅሉ ነገር ዝተንከየ ዘበለ ድማ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡
ብማይ ከኣ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ ይኹን። 23 ነቲ መደቀሲኣ ወይ ኮፍ ኢላቶ ንዝነበረት
ኣቕሓ ምስ ዚትንኪ፡ ክሳዕ ምሸት ርኹስ ይኹን። 24 ሰብኣይ ምስኣ ደቂሱ ጻግኒኣ እንተ ጸየቖ፡ ሾብዓተ
መዓልቲ ርኹስ ይኹን፡ ንሱ ዚድቅሶ ዅሉ መደቀሲ ኸኣ ርኹስ ይኹን። 25 ሰበይቲ፡ በቲ ጊዜ ጻግኒኣ
ዘይኮነ፡ ነዊሕ መዓልቲ ደም ዛሕዛሕ እንተ በላ፡ ወይ ሓለፉ እቲ ጊዜ ጻግኒኣ ዛሕዛሕ እንተ በላ፡
ምኽዓው ርኽሰታ ኽሳዕ ዘሎ መዓልትታት፡ ከምቲ ብመዓልትታት ጻግኒኣ ትኹን፡ ርኽስቲ እያ። 26 እቲ
ምኽዓዋ ኽሳዕ ዘሎ ዅሉ መዓልትታት እትድቅሶ ዅሉ መደቀሲ ኸኣ ከምቲ ብእዋን ጻግኒኣ እትድቅሶ
መደቀሲ ይኹን፡ ኮፍ እትብሎ ዅሉ ኣቕሓውን ከምቲ ርኽሰት ጻግኒኣ ርኹስ ይኹን። 27 ነዚ ዝተንከዮ
ዘበለ ኸኣ ርኹስ ይኹን፡ ክዳውንቱ ድማ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ
ይኹን። 28 ካብ ምኽዓዋ እንተ ጸረየት ድማ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ትቝጸር፡ ድሕርቲ ንጽህቲ ትኹን። 29
ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ኸኣ ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ጫጩት ርግቢ ትውሰድ፡ ኣብ ካህን ናብ ኣፍ
ድንኳን ምርኻብ ድማ ተምጽኣየን። 30 እቲ ኻህን ድማ እታ ሓንቲ ንመስዋእቲ ሓጢኣት እታ ሓንቲ ኸኣ
ንዝሓርር መስዋእቲ ይግበረን። እቲ ኻህንውን ካብ ምኽዓው ርኽሰታ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
የተዐርቃ። 31 ነታ ኣብ ማእከሎም ዘላ ማሕደረይ ምስ ኣርከሱ፡ ብርኽስቶም ከይሞቱስ፡ ከምዚ ንደቂ
እስራኤል ካብ ርኽሰቶም ፍለይዎም። 32-33 ናይ ጅግልን ናይቲ ዘርኡ ዚከዕዎን፡ ብእኡ ድማ ዝረኸሰ፡
ብዛዕባ እታ ብጻግኒኣ ዝሐመመትን ብዛዕባ ዘርኡ ዚከዕዎ ሰብኣይን ሰበይትን፡ ብዛዕባ ምስ ዝረኸሰት
ሰበይቲ ዚድቅስ ሰብኣይ ድማ ሕጉ እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 16

1 ድሕሪ ሞት ክልቲኦም ደቂ ኣሮን፡ እቶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምስ ቀረቡ ዝሞቱ፡ እግዚኣብሄር
ንሙሴ ተዛረቦ። 2 እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ በሎ፡ ኣነ ብደበና ኣብ ልዕሊ መኽደን መተዓረቒ ኽርኤ እየ
እሞ፡ ንሓውካ ኣሮን ከይመውትሲ፡ ናብ ቤት መቕደስ ኣብ ውሽጢ መጋረጃ ናብ ቅድሚ እቲ ኣብ ልዕሊ
ታቦት ዘሎ መኽደን መተዓረቒ ዅሉ ጊዜ ኸይአቱ፡ ንገሮ። 3 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ዝራብዕ፡
ንዚሐርር መስዋእቲ ኸኣ ሓደ ድዑል ሒዙ፡ ኣሮን በዚ ናብ ቤተ መቕደስ ይእቶ። 4 እቲ ናይ ልዕጺ
እንጣጢዕ ቅዱስ ቀምሽ ታሕቲ ይከደን፡ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ ስረ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ስጋኡ ይግበር፡ ናይ
ልሕጺ እንጣጢዕ ቅናት ድማ ይተዐጠቕ፡ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ መጠምጠምያውን ኣብ ርእሱ
ይጠምጠም። እዚ ቅዱስ ኣልባስ እዩ፡ ስጋኡ ብማይ ተሐጺቡ ይከደኖ። 5 ካብ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ድማ

ንመስዋእቲ ሓጢኣት ክልተ ድቤላ፡ ንዚሐርር መስዋእቲውን ሓደ ድዑል ይውሰድ። 6 ኣሮን ከኣ ነቲ
ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣቱ የቕርቦ፡ ንርእሱን ንቤቱን ከኣ የተዐርቕ። 7 ንኽልቲኦም ድቤላ ወሲዱ ድማ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ደው የብሎም። 8 ኣሮን ድማ ነቶም ክልተ ድቤላ፡
ሓደ ዕጫ ንእግዚኣብሄር፡ ሓደ ዕጫ ከኣ ንዓዛዚል ኪኸውን፡ ዕጭ የውድቐሎም። 9 ኣሮን ድማ ነቲ
ብዕጫ ንእግዚኣብሄር ዝበጽሖ ድቤላ የቕርቦ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ይሰውኦ። 10 እቲ ብዕጫ ንዓዛዜል
ዝበጽሖ ድቤላ ግና ንዓዛዜል ናብ በረኻ ኪሰደድ፡ ንምትዕራቑ ብህይወቱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ደው ይበል። 11 ኣሮን ከኣ ነቲ ንርእሱ ዚኸውን ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት የቕርቦ፡ ንርእሱን ንቤቱን
ድማ የተዐርቕ፡ ነቲ ንርእሱ ዚኸውን ዝራብዕ መስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ይሕረዶ። 12 ካብቲ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ዘሎ መሰውኢ ጽንሃህ ምሉእ ጓህሪ ይውሰድ፡ ካብቲ እተጐድኤ ምኡዝ ዕጣን ከኣ ምሉእ
ሕፍኑ ወሲዱ ናብ ውሽጢ መጋረጃ የእትዎ። 13 ከይመውትሲ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ምስክር ዘሎ መኽደን
መተዓረቒ፡ ደበና ዕጣን ምእንቲ ኪኽውሎ ከኣ፡ ነቲ ዕጣን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ናብቲ ሓዊ
ይግበሮ። 14 ካብ ደም እቲ ዝራብዕ ወሲዱ ድማ፡ ናብ መኽደን መተዓረቒ ብሸነኽ ምብራቑ በጻብዑ
ይንጻግ፡ ኣብ ቅድሚ መኽደን መተዓረቒውን ካብቲ ደም ሾብዓተ ሳዕ በጻብዑ ይንጻግ። 15 ነቲ ድቤላ
መስዋእቲ ሓጢኣት ህዝቢ ድማ ይሕረዶ፡ ነቲ ደሙ ኸኣ ናብ ውሽጢ መጋረጃ የእትዎ፡ በቲ ደሙውን
ከምቲ ብደም እቲ ዝራብዕ ዝገበሮ ይግበር፡ ኣብ ልዕሊ መኽደን መተዓረቕን ኣብ ቅድሚ መኽደን
መተዓረቕን ይንጻጎ። 16 ካብ ርኽሰት ደቂ እስራኤል ካብ በደሎምን ብዝኾነ ሓጢኣቶም ንመቕደስ
የተዐርቆ። ነቲ ምሳታቶም ኣብ ማእከል ርኽሰቶም ዘሎ ድንኳን ምርኻብ ድማ ከምኡ ይግበረሉ። 17 ንሱ
ኼተዐርቕ ናብ መቕደስ ምስ ዚኣቱ፡ ክሳዕ ዚወጽእ፡ ንርእሱን ንቤቱን ንብዘላ ማሕበር ደቂ እስራኤልን
ክሳዕ ዜተዐርቕ፡ ገለ ሰብ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ኣይኹን። 18 ናብቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘሎ
መሰውኢ ወጺኡ ኸኣ፡ ንእኡ የተዐርቆ። ካብ ደም እቲ ዝራብዕን ካብ ደም እቲ ድቤላን ወሲዱ ድማ፡
ኣብ ልዕሊ ኣቕርንቲ መሰውኢ ብዙርያኡ ይግበሮ። 19 ካብቲ ደም ከኣ በጻብዑ ሾብዓተ ሳዕ ኣብ ልዕሊኡ
ይንጻግ፡ ካብ ርኽሰት ደቂ እስራኤል ድማ የንጽሃዮን ይቐድሶን። 20 ንመቕደስን ንድንኳን ምርኻብን
ንመሰውእን ዐሪቑ ምስ ወድኤ ኸኣ፡ ነቲ ህያው ድቤላ የቕርቦ። 21 ኣሮን ድማ ክልቲኡ ኢዱ ኣብ ርእሲ
እቲ ህያው ድቤላ የንብር እሞ፡ ብኹሉ ኽፍኣት ደቂ እስራኤልን ብኹሉ በደሎምን ብኹሉ
ሓጢኣቶምን ኣብ ልዕሊኡ ይናዘዝ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ድቤላ ኸኣ የንብሮ፡ ብኢድ እቲ ነዚ እተዳለወ
ሰብኣይ ድማ ንበረኻ ይስደዶ። 22 እቲ ድቤላ ኸኣ ንኹሉ ኽፍኣቶም ኣብ ልዕሊኡ ናብ ጽምዊ ምድሪ
ይጹሮ፡ ነቲ ድቤላ ድማ ንበረኻ ይፈንዎ። 23 ኣሮን ድማ ናብ ድንኳን ምርኻብ ይእቶ፡ ነቲ ናብ መቕደስ
ኪኣቱ ኸሎ ለቢስዎ ዝነበረ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ ኣልባሳትውን የውጽኣዮ፡ ኣብኡ ኸኣ ይሕደጎ። 24
ድማ ኣብ ቅዱስ ቦታ ኼይኑ፡ ስጋኡ ብማይ ይተሐጸብ፡ ክዳውንቱ ኸኣ ይከደን። ወጺኡ ድማ ነቲ
ዚሐርር መስዋእቱን ነዚ ዚሐርር መስዋእቲ ህዝብን ይሰውእ፡ ንርእሱን ንህዝብን ከኣ የተዐርቕ። 25
ስብሒ መስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ኣብ መሰውኢ የሕርር። 26 እቲ ነቲ ድቤላ ንዓዛዜል ዝፈነወ ኸኣ
ክዳውንቱ ይሕጸብ ስጋኡውን ብማይ ይተሐጸብ፡ ድሕርዚ ድማ ናብ ሰፈር ይእቶ። 27 ነቲ ዝራብዕ
መስዋእቲ ሓጢኣትን ነቲ ድቤላ መስዋእቲ ሓጢኣትን፡ ደሞም ንምትዕራቕ ናብ መቕደስ ዝኣተወ፡ ናብ
ወጻኢ ሰፈር የውጽእዎም፡ ቈርበቶምን ስጋኦምን ፈርሶምን ከኣ ብሓዊ የንድድዎ። 28 እቲ ዘንደዶም ድማ
ክዳውንቱ ይሕጸብ ስጋኡውን ብማይ ይተሐጸብ፡ ድሕርዚ ናብ ሰፈር ይእቶ። 29 እዚ ሕጊ ዘለኣለም
ይኹንኩም፥ ኣብ ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒ ኸኣ ብዓስረይቲ መዓልቲ፡ ወዲ ዓዲ ኹነ ወይ ኣብ
ማእከልኩም ዚቕመጥ ስደተኛ፡ ነፍስኹም ኣዋርዱ፡ ገለ እኳ ዕዮ ኣይትዕየዩ። 30 በታ መዓልቲ እቲኣ

ምእንቲ ኽትነጽሁስ ከትተዐረቑ ኢኹም እሞ፡ ካብ ኵሉ ሓጢኣትኩም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ክትነጽሁ ኢኹም። [31] ንኣኻትኩም ዓባይ ሰንበት ዕረፍቲ እያ፡ ነፍስኹም ከኣ ኣዋርዱ፡ ሕጊ ዘለኣለም
እዩ። [32] እቲ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ኻህን ኪኸውን እተቐብኤን እተቐደሰን ካህን የተዐርቕ፡ እቲ ናይ ልሕጺ
እንጣጢዕ ኣልባስ ድማ፡ እቲ ቅዱስ ኣልባስ፡ ይልበስ። [33] ነቲ ቅዱስተ ቅዱሳን ከኣ የተዐርቕ፡ ንድንኳን
ምርኻብን ንመሰውእን ድማ የተዐርቕ፡ ንኻህናትን ንኹሉ ህዝቢ ማሕበርን ከኣ የተዐርቕ። [34] ንደቂ
እስራኤል ሓንሳእ ኣብ ዓመት ካብ ኵሉ ሓጢኣቶም ንምትዕራቕ፡ እዚ ሕጊ ዘለኣለም ይኹነልኩም።
ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ኸኣ ገበረ።

## ምዕራፍ 17

[1] እግዝኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፥ [2] ንኣሮንን ንደቁን ንኹሎም ደቂ እስራኤልን፡ እቲ
እግዚኣብሄር ዝኣዘዞን ዝበሎን ነገር እዚ እዩ፡ ኢልካ ተዛረቦም፡ [3] ዝኾነ ሰብ ካብ ቤት እስራኤል ብዕራይ
ወይ ገንሸል ወይ ጤል ኣብ ሰፈር እንተ ሐረደ፡ ወይ ኣብ ወጻኢ ሰፈር እንተሓረደ፡ [4] ኣብ ቅድሚ
ማሕደር እግዚኣብሄር፡ ንእግዝኣብሄር መስዋእቲ ኬቕርቦ፡ ናብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ እንተ ዘየምጽኦ፡
ነቲ ሰብ እቲ ኸም ዕዳ ደም ይቝጸረሉ። ደም ኵዕዩ እዩ፡ እቲ ሰብ እቲ ኻብ ማእከል ህዝቡ ኺምንቈስ
እዩ። [5] ስለዚ ደቂ እስራኤል ነቲ ኣብ መሮር ዚሰውእዎ ዚሕረድ መስዋእቶም ናብ እግዚኣብሄር፡ ናብ ኣፍ
ድንኳን ምርኻብ፡ ናብ ካህን የምጽእዎ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ንመስዋእቲ ምስጋና የቕርቡሉ። [6] እቲ ኻህን
ድማ ነቲ ደም ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ፡ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ እግዚኣብሄር ይንጻጎ። ነቲ ስብሒ ድማ
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና የሕርሮ። [7] ደጊም እቲ ዚሕረድ መስዋእቶም ነቶም ብምንዝርና ዚስዕብዎም
ኣጋንንቲ ኣይሰውኡ። እዚ ንውሉድ ወለዶኦም ሕጊ ዘለኣለም ይኹኖም። [8] ድማ ዝኾነ ሰብ፡ ካብ ቤት
እስራኤል ወይ ካብቶም ኣብ መንጎኦም ዚነብሩ ጓኖት፡ ዚሐርር መስዋእቲ ወይ ዚሕረድ መስዋእቲ እንተ
ኣቕረበ፡ [9] ንእግዚኣብሄር ኪሰውኦ ኸኣ ናብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ እንተ ዘየምጽኦ፡ እቲ ሰብ እቲ ኻብ
ህዝቡ ኺምንቈስ እዩ፡ በሎም። [10] ድማ ዝኾነ ሰብ፡ ካብ ቤት እስራኤል ወይ ካብቶም ኣብ መንጎኦም
ዚነብሩ ጓኖት፡ ደም ዘበለ እንተ በልዔ፡ ነታ ደም ዝበልዔት ነፍሲ ገጸይ ናብኣ ኽመልስ እየ፡ ካብ
ማእከል ህዝባ ኸኣ ክምንቍሳ እየ። [11] ነፍሲ ስጋ ኣብቲ ደም እዩ፡ ነታ ነፍሲ ዜተዐርቓ እቲ ደም እዩ
እሞ፡ ኣነ ድማ ናብ ልዕሊ መሰውኢ ንነፍሳትኩም ኬተዐርቕ ኢለ ሀብኩኹም። [12] ስለዚ ንደቂ እስራኤል፡
ካባኻትኩም ሓንቲ ነፍሲ እኳ ደም ኣይትብላዕ፡ ኣብ መንጎኹም ዚነብር ጓናውን ደም ኣይብላዕ፡ በልኩ።
[13] ድማ ዝኾነ ሰብ ካብ ደቂ እስራኤል ወይ ኣብ መንጎኹም ካብ ዚነብሩ ጓኖት ዚብልዓ እንስሳ ወይ
ዑፍ ሀዲኑ እንተ ሐዘ፡ ነቲ ደም ይኽዐዎ፡ ሓመድ ድማ ይኸድኖ። [14] ነፍሲ ኹሉ ስጋስ፡ ንሱ እቲ ኣብ
ነፍሱ ዘሎ ደሙ እዩ እሞ፡ ስለዚ ንደቂ እስራኤል ከኣ፡ ናይ ዝኾነ ስጋ ደም ኣይትብልዑ፡ በልክዎም።
ናይ ኵሉ ስጋ ነፍሲ ደሙ እዩ እሞ፡ ዝበልዖ ዘበለ ኺምንቈስ እዩ። [15] ዝኾነ ነፍሲ ሕሉቕ ወይ ኣራዊት
ዝቐተሎ ዝበልዔ፡ ወዲ ዓዲ ኾነ ወይ ጓና፡ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሐጸብ፡ ክሳዕ
ምሸትውን ርኹስ ይኹን፡ ሽዑ ይነጽህ። [16] ክዳውንቱ እንተ ዘይሐጸበ፡ ስጋኡ ኸኣ እንተ ዘይተሐጽበ፡
ክፍኣቱ ኺጸውር እዩ።

## ምዕራፍ 18

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም፡ በሎም ከኣ፡ ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 3 ከም ግብሪ እታ ዝነበርኩምዋ ምድሪ ግብጺ ኣይትግበሩ። ከም ግብሪ
እታ ኣነ ናብኣ ዘእትወኩም ሃገር ከነኣን ድማ ኣይትግበሩ፡ ብስርዓቶምውን ኣይትመላለሱ። 4 ብእኡ
ኽትመላለሱ ፍርድታተይ ግበሩ፡ ሕጋጋተይ ከኣ ሐልዉ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 5
ሕጋጋተይን ፍርድታተይን ሐልዉ፡ እቲ ዚገብሮ ሰብ ብእኡ ህያው ይኸውን። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 6
ሓደ ሰብ እኳ ቀረባ ዘመዱ ናብ ዘበለት ሕፍረታ ኪቕልዕ ኢሉ ኣይቕረባ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 7
ሕፍረት ኣቦኻን ሕፍረት ኣዴኻን ኣይትቕላዕ፡ ኣዴኻ እያ እሞ፡ ሕፍረታ ኣይትቕላዕ። 8 ሕፍረት ሰበይቲ
ኣቦኻ ኣይትቕላዕ፡ ሕፍረት ኣቦኻ እዩ። 9 ሕፍረት ሓብትኻ ኣይትቕላዕ፡ ጓል ኣቦካ ወይ ጓል ኣዴኻ፡ ኣብ
ቤት እተወልደት ወይ ኣብ ግዳም እተወልደት፡ ሕፍረት ኣይትቕላዕ። 10 ሕፍረት ጓል ወድኻ ወይ ጓል
ጓልካ፡ ሕፍረትካ እዩ እሞ፡ ሕፍረተን ኣይትቕላዕ። 11 ሕፍረት ጓል ሰበይቲ ኣቦኻ፡ ካብ ኣቦኻ እተወልደት
ሓብትኻ እያ እሞ፡ ሕፍረታ ኣይትቕላዕ። 12 ሕፍረት ኣሞኻ ኣይትቕላዕ፡ ንሳ ቐረባ ዘመድ ኣቦኻ እያ፡ 13
ቀረባ ዘመድ ኣዴኻ እያ እሞ፡ ሕፍረት ሓትኖኻ ኣይትቕላዕ፡ 14 ሕፍረት ሓው ኣቦኻ ኣይትቕላዕ፡ ናብ
ሰበይቱ ኣይትቕረብ፡ ሓብቲ ኣቦኻ እያ። 15 ሕፍረት ሰበይቲ ወድኻ ኣይትቕላዕ፡ ሰበይቲ ወድኻ እያ፡
ሕፍረታ ኣይትቕላዕ። 16 ሕፍረት ሰበይቲ ሓውኻ ኣይትቕላዕ፡ ሕፍረት ሓውኻ እዩ። 17 ሕፍረት ሰበይትን
ጓላን ኣይትቕላዕ፡ ጓል ወዳ ወይ ጓል ጓላ ድማ ሕፍረታ ንምቕላዕ ኣይትውሰድ፡ ንሳተን ቀረባ ዘመድ
እየን እሞ፡ ገበን እዩ። 18 ብህይወታ ኸላ ሕፍረታ ብምቕላዕ ከተቕንኣ ሰበይቲ ምስናይ ሓብታ ኣይተእቱ።
19 ሰበይቲ ብጸግኒኣ ረኺሳ ኸላ፡ ሕፍረታ ኽትቀልዕ ኣይትቕረባ። 20 ሰበይቲ ብጻይካ፡ ብእኣ ኽይትረክስ፡
ብስጋ ምስኣ ንምርኻብ ኣይትደቅስ። 21 ካብ ዘርእኻ ንሞሎኽ ብሓዊ ንምሕላፍ ኣይትሀብ። ስም
ኣምላኽካ ኣይተርክስ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 22 ከም ምስ ሰበይቲ ምድቃስ ምስ ሰብኣይ ኣይትደቅስ፡
እዚ ጽያፍ እዩ። 23 ብእኣ ኽይትረክስ፡ ምስ ገለ እንስሳ ብስጋ ኣይትራኸብ። ሰበይቲ ድማ ብስጋ
ኽትራኸብ ኢላ ኣብ ቅድሚ እንስሳ ደው ኣይትበል፡ እዚ ጉድ ነገር እዩ። 24 እቶም ኣነ ኻብ ቅድሚኹም
ዝሰጎም ህዝብታት በዚ ኹሉ ረኺሶም እዮም እሞ፡ በዚ ኹሉ ኣይትርከሱ። 25 እታ ምድሪ በዚ ረኸሰት፡
ኣነ ኸኣ ሓጢኣታ ኣብ ርእሳ ኽመልስ እየ፡ እታ ምድሪ ድማ ነቶም ዚነብርዋ ኽትተፍኦም እያ። 26
ንስኻትኩም ግና ሕጋጋተይን ፍርድታተይን ሐልዉ፡ ወዲ ዓዲ ኹን ወይ ኣብ መንጎኹም ዚነብር ጓና፡
ካብ ኩሉ እዚ ጽያፍ እዚ ገለ ኣይትግበሩ። 27 እዚ ኹሉ ጽያፍ እቶም ቅድሜኹም ኣብኣ ዝነበሩ ሰብ
እታ ሃገር ገይሮምዎ እዮም እሞ፡ እታ ምድሪ ረኸሰት። 28 እታ ምድሪ ምስ ኣርከስኩምዋ፡ ነቶም
ቅድሜኹም ዝነበርዋ ህዝቢ ኸም ዝተፍኣቶም፡ ንኣኻትኩም ድማ ከይትተፍኣኩም። 29 ካብዚ ኹሉ
ጽያፍ እዚ ዝገበረ ዘበለ፡ እተን ዝገበራ ነፍሳት ካብ መንጎ ህዝበን ኪምንቈሳ እየን። 30 እቲ ቕድሜኹም
ዚገብርዎ ዝነበሩ ርኹስ ስርዓታት ከይትገብሩ፡ ብእኡ ኸኣ ከይትረኽሱ፡ እቲ ኽትሕልውዎ ኢለ
ዝኣዘዝኩኹም ሐልዉ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ።

## ምዕራፍ 19

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ተዛረብ በሎም ድማ፡
ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ቅዱስ እየ እሞ፡ ንስኻትኩም ከኣ ቅዱሳን ኩኑ። 3 ነፍሲ ወከፍኩም
ኣዲኡን ኣቦኡን ይፍራህ። ሰናብተይ ሐልዉ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 4 ናብ ጣኦታት
ኣይትመለሱ፡ ኣማልኽቲ ፍሲ ድማ ኣይትግበሩ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 5 ንእግዚኣብሄር

መስዋእቲ ምስጋና ምስእትስውኡ፡ ባህ ከም ዜብሎ ጌርኩም ሰውኡ። [6] በታ እትስውኡላ መዓልትን
ንጽባሒታን ይበላዕ። እቲ ኽሳዕ ሳልሰይቲ መዓልቲ ዝተረፈ ግና ብሓዊ ይንደድ። [7] ኣብ ሳልሰይቲ
መዓልቲ እንተ ተበልዔ፡ ፍንፉን እዩ፡ ኣይቅቡልን እዩ። [8] እቲ ዝበልዖ ድማ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ
ኣርኪሱ እዩ እሞ፡ ክፍኣቱ ይጸውር፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻኣ ካብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ። [9] ዓጺድ
ምድርኹም ምስ እትዐጽዱ፡ ነቲ ደረት ግራትካ ፈጺምካ ኣይትዕጸዶ፡ ነቲ ቐሪም ዐጺድካውን
ኣይትእረዮ። [10] ንወይንኻ ድማ ኣይተዋሕዮ፡ ነቲ ኣብ ወይንኻ ዝወደቐ ፍረ ኻኣ ኣይትእረዮ፡ ንድኻን
ንስደተኛን ደኣ ሕደጎ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። [11] ኣይትስረቑን ኣይትጠብሩን፡ ሓደ እኳ
ንብጻዩ ኣይትሐሰዉ። [12] ንስም ኣምላኽካ ኽይተርክስ፡ ብስመይ ብሓሶት ኣይትምሐሉ። ኣነ እግዚኣብሄር
እየ። [13] ንብጻይካ ኣይትጽቀጦን ኣይትዘርፎን፡ ወይ ውዕለት ወዓላይ ክሳዕ ብጊሓት ምሳኻ ኣይሕደር። [14]
ንጸማም ኣይትርገሞ፡ ኣብ ቅድሚ ዕዉር ድማ መዓንቀፊ ኣይተንብር፡ ንኣምላኽ ደኣ ፍራህ። ኣነ
እግዚኣብሄር እየ። [15] ብፍርዲ ኣይትዐምጹ፥ ንድኻ ገጹ ርኢኻ ኣይተዳልዎ፡ ነቲ ስልጡን ድማ ገጹ ርኢኻ
ኣይተኽብሮ፡ ንብጻይካ ግና ብቕንዕና ፍረድ። [16] ክትሐሚ ኢልካ ኣብ ህዝብኻ ኣይትዙር፡ ናብ ደም
ብጻይካ ኣይትለዐል። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። [17] ንሓውካ ብልብኻ ኣይትጽልኣዮ፡ ንብጻይካስ፡ ብዛዕባኡ
ሓጢኣት ከይትጸውር፡ ኣጸቢቕካ ግንሓዮ። [18] ንደቂ ህዝብኻ ሕነ ኣይትፍደን ኣይትቀየምን፡ ንብጻይካስ
ከም ርእስኻ ደኣ ፍተዎ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። [19] ሕጋጋተይ ሐልዉ፡ ማልካ ምስ ካልእ ዓይነት
ኣይተታሉ። ንግራትካ ኽልተ ዓይነት ዘርኢ ኣይትዝርኣያ፡ ካብ ክልተ ዓይነት እተሐወሰ ዓለባ
ኣይትከደን። [20] ሰብኣይ ምስ ሓንቲ ብዋጋ ሓራ ዘይወጸት፡ ሓራ ድማ ዘይተዋህባ፡ ባርያ ኽነሳ ንሓደ
ሰብኣይ እተሐጽየት ሰበይቲ ደቂሱ እንተ ተራኸባ፡ ንሳ ሓራ ስለ ዘይወጸት ግና፡ ይቀጽዑ ደኣ እምበር፡
ኣይሙቱ፡ [21] ንሱ ድማ ንመስዋእቲ በደሉ፡ ድዑል መስዋእቲ በደል ናብ እግዚኣብሄር ናብ ኣፍ ድንኳን
ምርኻብ የምጽእ። [22] ስለ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ ኸኣ እቲ ኻህን በቲ ድዑል መስዋእቲ በደል ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር የተዐርቆ፡ እቲ ዝገበሮ ሓጢኣቱ ድማ ይሕደገሉ። [23] ናብታ ምድሪ ምስ ኣቶኹም፡ ኲሉ
ዓይነት ዚብላዕ ኦም ምስ ተኸልኩም፡ ነቲ ፍሬኡ ኸም ዘይተገዝረ ርአይዎ። ሰለስተ ዓመት ከም
ዘይተገዝረ ይኹንኩም፡ ኣይበላዕ ድማ። [24] ኣብታ ራብዐይቲ ዓመት ድማ ብዘሎ ፍሬኡ ንምስጋና
እግዚኣብሄር ይቀደስ። [25] ኣብዚሑ ኺፈርየልኩምሲ፡ ኣብ ሓምሰይቲ ዓመት ፍሬኡ ብልዑ። ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። [26] ምስናይ ደም ገለ እኳ ኣይትብልዑ። ኣይትጠንቀቑሉን ኣይተማርቱን።
[27] ወሰነ ወሰን ጸጕሪ ርእስኹም ኣይትቐኍረጹ፡ ወሰነ ወሰን ጭሕምኻውን ኣይትቐኍረጽ። [28] ብዛዕባ ምዉት
ኣብ ስጋኹም ቅርጺ ኣይትግበሩ፡ ጽሕፈት ማሕተም ድማ ኣባኻትኩም ኣይትግበሩ። ኣነ እግዚኣብሄር
እየ። [29] እታ ሃገር ከይትምንዝር፡ እታ ሃገር ድማ ብርኽሰት ከይትመልእ፡ ንጓልካ ኣመንዝራ ጌርካ
ኣይተርክሳ። [30] ሰናብተይ ሓልዉ፡ መቕደሰይ ከኣ ፍርሁ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። [31] ናብ መንፈስ ጥንቈላ
ዘለዎምን ናብ መውደቕቲ ዛዕጐልን ኣይትመለሱ፡ ብእኦም ከይትረኽሱ ኣይትድለይዎም። ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። [32] ኣብ ቅድሚ ሽያብ ተንስእ፡ ንገጽ ኣረጋዊ ድማ ኣኽብር፡
ንኣምላኽካውን ፍርሃዮ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። [33] ጓና ምሳኻትኩም ኣብ ሃገርኩም እንተ ተቐመጠ ድማ፡
ኣይትግፍዕዎ። [34] ንስኻትኩምውን ኣብ ምድሪ ግብጺ ጓኖት ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ እቲ ምሳኻትኩም
ዚነብር ጓና ኣባኻትኩም ከም ወዲ ዓዲ ይኹን፡ ከም ንነፍስኻ ኸኣ ፍተዎ። ኣነ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም እየ። [35] ብፍርዲ ኹነ፡ ብመለክዒ እመት ኰነ፡ ብሚዛን ኰነ፡ ብምስ ኹነ፡ ኣይትዐምጹ። [36]
ቅኑዕ ሚዛን፡ ቅኑዕ መምዘኒ፡ ቅኑዕ ኤፋ፡ ቅኑዕ ሂን ድማ ይሀሉኹም። ካብ ምድሪ ግብጺ
ዘውጻእኩኹም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። [37] እምብኣርሲ ኹሉ ሕጋጋተይን ኲሉ ፍርድታተይን

ሐልዉ ግበርዎ ኸኣ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

# ምዕራፍ 20

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል በሎም፡ ዝኾነ ሰብ ካብ ደቂ
እስራኤል፡ ወይ ኣብ እስራኤል ካብ ዝነብሩ ጓኖት፡ ካብ ዘርኡ ንሞሎኽ ዝሀብ፡ ሞት ይሙት፡ ህዝቢ
እታ ሃገር ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎ። 3 መቕደሰይ ኬርክስን ቅዱስ ስመይ ከኣ ኬሕስር፡ ካብ ዘርኡ
ንሞሎኽ ሂቡ እዩ እሞ፡ ኣነ ገጻይ ናብቲ ሰብ እቲ ኽመልስ፡ ካብ ህዝቡ ድማ ክምንቕሶ እየ። 4 እቲ
ሰብኣይ ዘርኡ ንሞሎኽ ኪህብ ከሎ፡ እቶም ህዝቢ እታ ሃገር ከይቐትልዎ ኣዒንቶም እንተ ዐሙቱ፡ 5 ሽዑ
ኣነ ናብቲ ሰብኣይ እትን ናብ ቤተ ሰቡን ገጻይ ክመልስ እየ፡ ንእኡን ነቶም ምስ ሞሎኽ ኪምንዝሩ
ብምንዝርና ዚስዕብዎ ዅሎም ድማ ካብ መንጎ ህዝቦም ክምንቀሶም እየ። 6 ናብቶም መናፍስቲ ጥንቈላ
ዘለውዎምን ናብ መውደቕቲ ዛዕጎልን ብምንዝርና ኽትስዕቦም ኢላ እትምለስ ነፍሲ፡ ኣነ ገጻይ ናብታ
ነፍሲ እቲኣ ኽመልስ እየ፡ ካብ መንጎ ህዝባ ኸኣ ክምንቀሳ እየ። 7 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ፡
ስለዚ ንስኻትኩም ተቐደሱ ቅዱሳት ድማ ኩኑ። 8 ሕጋጋተይ ሓልዉ፡ ግበርዎዉን። ዝቕድሰኩም ኣነ
እግዚኣብሄር እየ። 9 ዝኾነ ሰብ ነቦኡ ወይ ነዲኡ ዝረገመ፡ ሞት ይሙት። ነቦኡን ነዲኡን ረጊሙ እዩ
እሞ፡ ደሙ ኣብ ልዕሊኡ እዩ። 10 ኣብ ሰበይቲ ሰብኣይ ዝዘመወ ሰብ፡ ኣብ ሰበይቲ ብጻዩ ዝዘመወ፡ እቲ
ዝዘመወን እታ ዝዘመወትን ሞት ይሙቱ። 11 ምስ ሰበይቲ ኣቦኡ ዝደቀሰ ሰብ፡ ሕፍረት ኣቦኡ ቐልዔ፡
ክልቲኦም ሞት ይሙቱ። ደሞም ኣብ ልዕሊኦም እዩ። 12 ምስ ሰበይቲ ወዱ ዝደቀሰ ሰብ፡ ክልቲኦም ሞት
ይሙቱ። ነውሪ ገይሮም እዮም፡ ደሞም ኣብ ልዕሊኦም እዩ። 13 ሰብኣይ ከም ምስ ሰበይቲ ምስ ሰብኣይ
እንተ ደቀሰ፡ ክልቲኦም ነውሪ ገይሮም እዮም፡ ሞት ይሙቱ፡ ደሞም ኣብ ልዕሊኦም እዩ። 14 ሓደ ሰብ
ድማ ጓልን ኣዲኣን እንተ ኣእተወ፡ እዚ ርኽሰት እዩ፡ ርኽሰት ኣብ ማእከልኩም ከይርከብሲ፡ ንሱን
ንሳተንን ብሓዊ ይንደዱ። 15 ሰብ ከኣ ምስ እንስሳ ብስጋ እንተ ተራኸበ፡ ሞት ይሙት፡ ነታ እንስሳውን
ቅተልዋ። 16 ሰበይቲ ድማ ብስጋ ኽትራኸቦ ኢላ ናብ ገለ እንስሳ እንተ ቐረበት፡ ነታ ሰበይትን ነቲ
እንስሳን ቅተሎም፡ ሞት ይሙቱ፡ ደሞም ኣብ ልዕሊኦም እዩ። 17 ሰብ ከኣ ሓብቱ፡ ጓል ኣቦኡ ወይ ጓል
ኣዲኡ፡ እንተ ኣእተወ፡ ሕፍረታ ድማ እንተ ረአየ፡ ንሳውን ሕፍረቱ እንተ ረአየት፡ እዚ ነውሪ እዩ፡ ኣብ
ቅድሚ ደቂ ህዝቦም ይመንቈሱ። ንሱ ሕፍረት ሓብቱ ቐሊዑ እዩ፡ ክፍኣቱ ኺጸውር እዩ። 18 ሰብ ከኣ
ምስ በዓልቲ ጻግነ ሰበይቲ እንተ ደቀሰ፡ ሕፍረታውን እንተ ቐልዔ፡ ፈልፋሊኣ ቐልዔ፡ ንሳ ኸኣ ፈልፋሊ
ደማ ቐልዔት፡ ስለዚ ኽልቲኦም ካብ ማእከል ህዝቦም ኪምንቁሱ እዮም። 19 ሕፍረት ሓትኖኻን ኣሞኻን
ኣይትቅላዕ። ሕፍረት ቀረባ ስጋኡ ቐሊዑ እዩ እሞ፡ ክፍኣቶም ኪጾሩ እዮም። 20 ሰብ ድማ ምስ ሰበይቲ
ሓው ኣቦኡ እንተ ደቀሰ፡ ሕፍረት ሓው ኣቦኡ ቐልዔ፡ ሓጢኣቶም ይጹሩ፡ ሓድጊ ዜብሎም ይሙቱ። 21
ሰብ ከኣ ሰበይቲ ሓዉ እንተ ኣእተወ፡ እዚ ርኽሰት እዩ፡ ሕፍረት ሓዉ ቐልዔ፡ ሓድጊ ዜብሎም ይኹኑ።
22 እታ ኽትነብሩላ ኢለ ኣነ ናብኣ ዘእትወኩም ምድሪ ኸይትተፍኣኩምሲ፡ ኲሉ ሕጋጋተይን ኲሉ
ፍርድታተይን ሐልዉን ግበሩን። 23 ብኣመል እቶም ኣነ ኻብ ቅድሜኹም ዝሰጎም ህዝቢ ኣይትኺዱ፡ እዚ
ኹሉ ገይሮም እዮም እሞ፡ ፈንፈንክዎም። 24 በልኩኹም ድማ፥ ንስኻትኩም ምድሮም ክትርስተዩ
ኢኹም፡ ኣነ ኸኣ እታ ጸባን መዓርን እትውሕዝ ምድሪ ንርስቲ ኽህበኩም እየ። ካብ ህዝብታት
ዝፈሌኹኹም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 25 እምብኣርሲ ኣብ መንጎ ንጹሃትን ርኹሳትን እንስሳ፡
ኣብ መንጎ ርኹሳትን ንጹሃትን ኣዕዋፍ ድማ ፍለዩ፡ በቶም ርኹሳት ገይረ ዝፈሌኹልኩም እንስሳን

ኣዕዋፍን ኣብ ምድሪ ለመም ዚብልን፡ ንነፍሳትኩም ኣይተርክሱ። 26 ኣነ እግዚኣብሄር ቅዱስ እየ እሞ፡
ቅዱሳን ኩኑለይ፡ ናተይ ክትኮኑ ኸኣ ካብ ህዝብታት ፈልየኩም እየ። 27 ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ መንፈስ
ጥንቈላ እንተለዎ፡ ወይ መውደቕ ዛዕጐል እንተ ኾነ፡ ሞት ይሙት፡ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎም፡ ደሞም
ኣብ ልዕሊኦም እዩ።

# ምዕራፍ 21

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ንኻህናት፡ ነቶም ደቂ ኣሮን፡ ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ብገለ ምዉት ካብ
ህዝቢ ኣይርከስ፡ 2 ብጀካ ብቐረባ ዘመዱ፡ በዲኡ ወይ በቦኡ ወይ ብወዱ ወይ ብጓሉ ወይ ብሓዉ፡ 3
ድማ በታ እትቐርቦ ድንግል፡ ዘይተመርዐወት ሓብቱ፡ ብእኣ ይርከስ። 4 ኣብ መንጎ ህዝቡ ጐይታ እዩ፡
ከይገህስ ርእሱ ኣየርክስ። 5 ርእሶም ላጽዮም ኣየብርሑ፡ ወሰነ ወሰነ ጭሕሞም ድማ ኣይላጽዩ፡ ኣብ
ስጋኦም ከኣ ብጣሕ ኣይብጥሑ። 6 ንኣምላኾም ቅዱሳት ይኹኑ፡ ስም ኣምላኾምውን ኣየርክሱ። ንሳቶም
ናይ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ፡ እንጌራ ኣምላኾም፡ የቕርቡ እዮም እሞ፡ ስለዚ ቅዱሳት ይኹኑ። 7
ንኣምላኹ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ኣመንዝራ ወይ ዝነወረት ሰበይቲ ኣየእትዉ፡ ወይ ካብ ሰብኣያ እተፈትሔት
ሰበይቲ ኣየእትዉ፡ 8 ንሱ እንጌራ ኣምላኽካ የቕርብ እዩ እሞ፡ ስለዚ ቀድሶ። ኣነ እግዚኣብሄር
ዝቕድሰኩም ቅዱስ እየ እሞ፡ ንሱ ንኣኻ ቅዱስ ይኹን። 9 ጓል ካህን ብምንዝርና እንተ ረኺሰት፡ ንሳ ነቦኣ
ኣርከሰት። ብሓዊ ትንደድ። 10 እቲ ኣብ ርእሱ ዘይቲ ቕብኣት እተኻዕዎ፡ ቅዱስ ኣልባስ ኪለብስ ድማ
እተቐደሰ፡ ኣብ ኣሕዋቱ ኸኣ ሊቀ ኻህናት ዝኾነ፡ ንሱ ርእሱ ኣይቕላዕ፡ ክዳኑውን ኣይቕደድ። 11 ናብ ገለ
ምዉት ሰብ ድማ ኣይእቶ፡ በቦኡን በዲኡን ከኣ ኣይርከስ። 12 እቲ ኣኽሊል ዘይቲ ቕብኣት ኣምላኹ ኣብ
ልዕሊኡ እዩ እሞ፡ ካብ መቕደስ ኣይውጻእ፡ መቕደስ ኣምላኹ ኸኣ ኣየርክስ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 13
ንሱ ድማ ብድንግልናኣ ዘላ ሰበይቲ የእቱ። 14 ሰበይቲ ኻብ ህዝቡ ድንግል የእቱ እምበር፡ መበለት ወይ
ፍትሕቲ ወይ ዝረኸሰት ወይ ኣመንዝራ ኣየእቱ። 15 ዝቕድሶ ኣነ እግዚኣብሄር እየ እሞ፡ ዘርኡ ኣብ
ማእከል ህዝቡ ኣየርክስ። 16 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 17 ንኣሮን ከምዚ ኢልካ
ተዛረቦ፡ ብዚመጽእ ወለዶኦም ዝኾነ ሰብ ካብ ዘርእኻ ጒደሎ ዘለዎ፡ እንጌራ ኣምላኹ ኬቕርብ ኢሉ
ኣይቕረብ። 18 ዝኾነ ሰብ ጒደሎ ዘለዎ፡ ዕዉር ወይ ሓንካስ ወይ ጥፍሉሕ ኣፍንጫኡ ወይ ኣብ ኣካሉ ገለ
ሓለፋ ዘለዎ፡ 19 ወይ ስቡር እግሪ ወይ ስቡር ኢድ ዘለዎ ሰብ፡ 20 ወይ ጉባጥ ወይ ድንኪ ወይ ዓይኑ
ዝሐበለ ወይ ሻሕራም ወይ ዓባቕ ወይ ስሉብ ኣይቕረብ። 21 ካብ ዘርኢ ኻህን ኣሮን ጒደሎ ዘለዎ ዘበለ
ሰብ መስዋእቲ ሓዊ እግዚኣብሄር ኬቕርብ ኣይቕረብ። ጒደሎ ኣለዎ፡ እንጌራ ኣምላኹ ኬቕርብ ኢሉ
ኣይቕረብ። 22 እንጌራ ኣምላኹ ካብቲ ቅዱስ ቅዱሳንን ካብቲ ቅዱስን ይብላዕ። 23 ዝቕድሶም ኣነ
እግዚኣብሄር እየ እሞ፡ ጒደሎ ስለ ዘለዎ፡ መቓድሰይ ከየርክስ፡ ናብ ውሽጢ መጋረጃ ኣይእቶ፡ ናብ
መሰውኢ ኸኣ ኣይቕረብ። 24 ሙሴ ድማ እዚ ንኣሮንን ንደቁን ንኹሎም ደቂ እስራኤልን ተዛረቦም።

# ምዕራፍ 22

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንኣሮንን ንደቁን፡ ካብቲ ደቂ እስራኤል ዚቕድሱለይ
ቅዱስ ነገር ኪፍለዩን፡ ነቲ ቅዱስ ስመይ ከኣ ከየርክሱን ንገሮም። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 3 ብዚመጽእ
ወለዶኹም፡ ዝኾነ ሰብ ካብ ኩሉ ዘርእኹም፡ ርኽሰቱ ኣብ ልዕሊኡ ኸሎ፡ ናብቲ ደቂ እስራኤል

ንእግዚኣብሄር ዚቕድሱሉ ቅዱስ ነገር ዝቐረበ፡ እታ ንፍሲ እቲኣ ኻብ ቅድመይ ክትምንቄስ እያ፡ በሎም።
ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 4 ዝኾነ ሰብ ካብ ዘርኢ ኣሮን ለምጻም ወይ ዘርኡ ዚከዕዎ፡ ክሳዕ ዚነጽህ ካብቲ
ቅዱስ ነገር ኣይብላዕ። ብምዉት ዝረኸሰ ዘበለ ነገር ዝተንከየ፡ ወይ ዘርኡ ኻብኡ ዝወጾ ሰብ፡ 5 ንዜርክሶ
ዘበለ ለመምታ ዝተንከየ ሰብ፡ ወይ ዝኾነ ርኽሰት ብዘለዎ ሰብ ዝረኸሰ፡ 6 ነዚ ዝተንከየት ነፍሲ ኽሳዕ
ምሸት ርኽስቲ ትኹን፡ ስጋኡ ብማይ ክሳዕ ዚሕጸብ ካብቲ ቅዱስ ነገር ኣይብላዕ። 7 ጸሓይ ምስ ዐረበት
ከኣ ይነጽህ፡ ድሕርቲ፡ ንሱ ምግቡ እዩ እሞ፡ ካብቲ ቅዱስ ነገር ይብላዕ። 8 ብእኡ ኸይረክስሲ፡ ሕሉቕን
ኣራዊት ዝቐተሎን ኣይብላዕ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 9 ብዛዕባኡ ሓጢኣት ከይጾሩ፡ እንተ ኣርከስዎ ድማ፡
ከይሞቱ፡ ትእዛዘይ ይሐልዉ። ዝቕድሶም ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 10 ጓና ዘበለ ኻብቲ ቅዱስ ነገር
ኣይብላዕ፡ ምስ ካህን ዚነብር ወይ ግዙኡ ኻብቲ ቅዱስ ነገር ኣይብላዕ። 11 እቲ ኻህን ብገንዘቡ ተሻይጡ
ሰብ እንተ ኣጥረየ ግና፡ ንሱ ኻብኡ ይብላዕ፡ ኣብ ቤቱ እተወልደ ኸኣ ከምኡ፡ እዚኣቶም ካብቲ እንጌራኡ
ይብልዑ። 12 ጓል ካህን ድማ ሰበይቲ ጓና እንተ ኾነት ካብቲ ናይ ቅዱስ ነገር ዚልዐል መስዋእቲ
ኣይትብላዕ። 13 ጓል ካህን መበለት እንተ ኾነት ወይ ፍትሕቲ፡ ውሉድ ከኣ ዜብላ፡ ተመሊሳ፡ ከምቲ
ብጓላ ኸላ፡ ኣብ ቤት ኣቦኣ እንተ ተቐመጠት፡ ካብ እንጌራ ኣቦኣ ትብላዕ። ጓና ዘበለ ግና ካብኡ
ኣይብላዕ። 14 ዝኾነ ሰብ ብዘይ ምፍላጥ ካብቲ ቅዱስ ነገር እንተ በልዔ፡ ኣብ ልዕሊኡ ሓምሳይ ኣፍ
ወሲኹ እቲ ቅዱስ ነገር ንኻህን ይሀቦ። 15-16 ዝቕድሶም ኣነ እግዚኣብሂር እየ እሞ፡ ንሳቶም ካብቲ
ዝቐደስዎ ነገር ብምብላዖም በደል ዚኾኖም ክፍኣት ከይጾሩስ፡ ነቲ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር
ዚስውእዎ ቅዱስ ነገር ኣየርክሱ። 17 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 18 ንኣሮንን ንደቁን
ንኹሎም ደቂ እስራኤልን ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ዝኾነ ሰብ ካብ ቤት እስራኤል ወይ ኣብ እስራኤል
ካብ ዚነብር ጓና መስዋእቱ ዜቕርብ፡ መስዋእቲ መብጽዓ ኾነ ወይ መስዋእቲ ፍቓድ፡ ንእግዚኣብሄር
ንዚሐርር መስዋእቲ ዜቕርብዎ፡ 19 ምእንቲ ኺፍተወልኩም፡ ካብ ኣብዑር ኰነ ወይ ካብ ኣባጊዕ ወይ ካብ
ኣጣል፡ ጐደሎ ዜብሉ ተባዕታይ ኣቕርቡ። 20 ጐደሎ ዘለዎ ዘበለ ግና ኣይፍተወልኩምን እዩ እሞ፡
ኣይተቕርብዎ። 21 ዝኾነ ሰብ ድማ ንምፍጻም መብጽዓ ወይ መስዋእቲ ፍቓድ፡ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ
ምስጋና፡ ካብ ማል ኰነ ወይ ካብ ጤለበጊዕ፡ ምስ ዜቕርብ፡ ምእንቲ ኺፍቶ ጐደሎ ዜብሉ ይኹን፡ ገለ
እኳ ጐደሎ ኣይሀልዎ። 22 ዕውር ወይ ስቡር ወይ ቍሩጽ ወይ ቍሱል ወይ ዐባቕ ወይ ሻሕራም፡ እዚ
ንእግዚኣብሄር እይተቕርቡሉ። ካብ እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ
ኣይትግበሩ። 23 ብዕራይ ወይ በጊዕ ኣካሉ እንተ ነውሔ ወይ እንተ ሓጸረ፡ ንመስዋእቲ ፍቓድሲ ግበሮ፡
ንመስዋእቲ መብጽዓ ግና ኣይፍቶን እዩ። 24 ብምጭፍላቕ ወይ ብምቕጥቃጥ ወይ ብምምላሕ ወይ
ብምቕራጽ ዝሶረ ንእግዚኣብሄር ኣይተቕርቡሉ፡ ኣብ ሃገርኩምውን ኣይትግበርዎ። 25 እዚኣቶም ጒዱኣት
እዮም፡ ጐደሎ ኣለዎም እሞ፡ ካብ ኢድ ጓና ድማ ካብዚ ኹሉ እንጌራ ኣምላኽኩም ኣይተቕርቡ፡
ኣይፍተወልኩምን እዩ። 26 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 27 ብተይ ወይ ዕየት ወይ
ማሕስእ ምስ ተወልደ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ምስ ኣዲኡ ይጽናሕ፡ ካብ ሳምነይቲ መዓልቲ ንንየው ከኣ
ንመስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ፍትዊ እዩ። 28 ላም ኰነ ወይ በጊዕ ምስ ውላዳ ብሓንቲ መዓልቲ
ኣይትሕረዱ። 29 መስዋእቲ ምስጋና ንእግዚኣብሄር ምስ እትስውኡሉ፡ ከም ዚፍተወልኩም ጌርኩም
ሰውእዎ። 30 በታ መዓልቲ እቲኣ ይበላዕ፡ ካብኣ ገለ እኳ ኽሳዕ ንጽብሒቱ ኣይትሕደጉ። ኣነ እግዚኣብሄር
እየ። 31 ትእዛዛተይ ድማ ሐልዉ፡ ግበርዎውን። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 32 ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል
ምእንቲ ክቕደስሲ፡ ነቲ ቅዱስ ስመይ ኣይተርክስዎ። ዝቕድሰኩም ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 33 ኣምላኽኩም
ምእንቲ ክኸውን፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

# ምዕራፍ 23

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራእል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ንቕዱስ
ኣኼባታት እትእውጁለን በዓላት እግዚኣብሄር፡ እዚኣተን በዓላተይ እየን፡ 3 ሹድሽተ መዓልቲ ዕዮ
ይተዐየ፡ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ንቕዱስ ኣኼባ ዚጽውዑላ ሰንበት ዕረፍቲ እያ። ገለ እኳ ዕዮ
ኣይትዕየዩላ፡ ንሳ ኣብ ኩሉ ትነብርዎ ሰንበት እግዚኣብሄር እያ። 4 እቶም ምዱብ ግዝያቶም ንቕዱስ
ኣኼባታት እትእውጁሎም በዓላት እግዚኣብሄር እዚኣቶም እዮም፡ 5 ኣብታ ቐዳመይቲ ወርሒ፡ ካብታ
ወርሒ ኸኣ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ፡ ኪመሲ ኸሎ፡ ፋስጋ እግዚኣብሄር እዩ። 6 በታ
ወርሒ እቲኣ ድማ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር በዓል ቅጫ እዩ። ሾብዓተ
መዓልቲ ቕጫ ብልዑ። 7 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ተግባር ዕዮ ዘበለ
ኣይትዕየዩ። 8 ሾብዓተ መዓልቲ ድማ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ ኣቕርቡ። በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ
ቅዱስ ኣኼባ ይኹን፡ ተግባር ዕዮ ዘበለ ኣይትዕየዩ። 9 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛርቦ፡
ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም፡ 10 በሎም ከኣ፡ ናብታ ኣነ ዝሀበኩም ምድሪ ምስ ኣቶኹም፡ ዓጺድ ከትዐጽዱ
ኸሎኹም ድማ፡ ካብቲ ቐዳማይ ዓጺድኩም ሓንቲ እንዳእቲ ናብ ካህን ኣምጽኡ። 11 ምእንቲ
ኽትፍተወልኩም ከኣ፡ ነታ እንዳእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይወዝውዛ፡ እቲ ኻህን በታ ድሕሪ ሰንበት
ዘላ መዓልቲ ይወዝውዛ። 12 በታ እንዳእቲ እትውዝውዙላ መዓልቲ ድማ ንእግዚኣብሄር ንዚሐርር
መስዋእቲ ጐደሎ ዜብሉ ገንሸል ዓመት ሰውኡ። 13 ነታ ምስኡ ዘሎ መስዋቲ ብልዒ ድማ ክልተ ዓስራይ
ኣፍ ኤፋ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ ንመስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና፡
ንመስዋእቲ መስተ ኸኣ ራብዓይ ኣፍ ሂን ወይኒ ይኹን። 14 ክሳዕ እታ ንኣምላኽኩም መስዋእቲ
እተቕርቡላ መዓልቲ፡ እንጌራ ኾነ፡ ጥቡስ ሰዊት ኰነ፡ ዘይጥቡስ ሰዊት ኰነ ኣይትብልዑ። እዚ ኣብ
ኩሉ እትነብርዎ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም ይኹንኩም። 15 ካብታ ዚውዝወዝ እንዳእቲ
ዘምጻእኩምላ መዓልቲ፡ ካብ ጽባሕ እታ ሰንበት ቈጺርኩም ሾብዓተ ምሉኣት ሰናብቲ ይኹና። 16 ክሳዕ
ጽባሕ እታ ሳብዐይቲ ሰንበት ሓምሳ መዓልቲ ቍጸሩ፡ ሽዑ ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መስዋእቲ ብልዒ
ኣቕርቡ። 17 ካብቲ እትነብርዎ፡ እንጌራ መስዋእቲ ምውዝዋዝ ክልተ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ፡
በኹዕ እተሰንከተ ኽልተ እንጌራ ህያብ በዅራት ንእግዚኣብሄር ኣምጽኡ። 18 ምስቲ እንጌራ ድማ ጐደሎ
ዜብሎም ሾብዓተ ገንሸል ዓመት፡ ሓደ ዝራብዕ፡ ክልተ ድዑል ኣቕርቡ፡ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር
መስዋእቲ ይኹኑ። ምስቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ መስዋእቶምን ከኣ ንእግዚኣብሄር
ጥዑም ጨና መስዋእቲ ሓዊ ይኹን። 19 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ሓደ ድቤላ፡ ንመስዋእቲ ምስጋና ኽኣ
ክልተ ገንሸል ዓመት ሰውኡ። 20 እቲ ኻህን ድማ ንኣታቶም ምስቲ እንጌራ በዅራትን ምስ ክልቲኦም
ገንሸልን ገይሩ፡ ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይወዝውዞ። ንእግዚኣብሄር እተቐደሱ፡
ንኻህን ይኹኑ። 21 በታ መዓልቲ እቲኣ በዓል ኣውጁ፡ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ተግባር ዕዮ ዘበለ
ኣይትዕየዩ። እዚ ኣብ ኩሉ እትነብርዎ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም እዩ። 22 ዓጺድ ምድርኹም
ክትዐጽዱ ኸሎኹም፡ ክሳዕ ወሰን ግራትካ ኣይትዕጸድ፡ ንቐሪም እቲ ዕጹድካውን ኣይትእረዮ፡ ንድኻን
ንስደተኛን ደአ ሕደጎ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 23 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፡ 24 ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ኣብ ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ኸኣ
ብቐዳመይቲ መዓልቲ፡ ዕረፍቲ ንመዘከርታ ብቓና መለኸት፡ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም። 25 ተግባር ዕዮ
ዘበለ ኣይትዕየዩ፡ ንእግዚኣብሄር ድማ መስዋእቲ ሓዊ ኣቕርቡ። 26 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ
ኢሉ ተዛረቦ፡ 27 ካብዛ ሳብዐይቲ ወርሒ እዚኣ፡ ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ፡ ንሳ መዓልቲ ዕርቂ እያ። ሽዑ

ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ነፍስኹም ድማ ኣዋርዱ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ መስዋእቲ ሓዊ ሰውኡ። 28 ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እትዕረቑላ መዓልቲ ዕርቂ እያ እሞ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ገለ ዕዮ
ኣይትዕየዩ። 29 በታ መዓልቲ እቲኣ ዘይትዋረድ ዘበለት ነፍሲ ኻብ ህዝባ ኽትምንቆስ እያ። 30 በታ
መዓልቲ እቲኣ ዝኾነ ዕዮ እትዐዩ ዘበለት ነፍሲ፡ ነታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ማእከል ህዝባ ኽጥፍኣ እየ። 31
ገለ እኳ ዕዮ ኣይትዕየዩ። ኣብ ኲሉ እትነብርዎ፡ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም እዩ። 32 እዚኣ ፍጹም
ሰንበት ዕረፍቲ ትኹነልኩም፡ ነፍሳትኩም ከኣ ኣዋርዱ። ካብዛ ወርሒ እዚኣ፡ ኣብ ታስዐይቲ መዓልቲ
ምሸት፡ ንሰንበትኩም ካብ ምሸት ክሳዕ ምሸት ኣብዕልዋ። 33 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፡ 34 ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ካብዛ ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው
ሓሙሽተ መዓልቲ፡ ንእግዚኣብሄር ሾብዓተ መዓልቲ በዓል ዳስ እዩ። 35 ኣብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ቅዱስ
ኣኼባ ይኹን፡ ተግባር ዕዮ ዘበለ ኣይትዕየዩ። 36 ሾብዓተ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ ኣቕርቡ፡
ብሳምነትይቲ መዓልቲ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ መስዋእቲ ሓዊ ኣቕርቡ። ዓብዪ
በዓል ማሕበር እዩ፡ ተግባር ዕዮ ዘበለ ኣይትዕየዩ። 37 ቅዱስ ኣኼባታት እትእውጁለን፡ እቲ በብመዓልቱ
ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ፡ ዚሐርር መስዋእቲ፡ መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ
መስተን እተቕርቡለን በዓላት እግዚኣብሄር እዚኣተን እየን። 38 እዚ ብዘይ ሰናብቲ እግዚኣብሄርን ብዘይ
እቲ ህያባትኩምን ብዘይ ኲሉ መብጽዓኹምን ብዘይ እቲ ንእግዚኣብሄር ብፍቓድ እትህብዎ ኹሉ
መስዋእትኹምን እዩ። 39 ካብታ ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ፡ እቶት እታ
ምድሪ ምስ ኣታሕሰስኩም፡ ሾብዓተ መዓልቲ በዓል እግዚኣብሄር ኣብዕሉ። በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ
ሰንበት ዕረፍቲ ትኹን። በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ሰንበት ዕረፍቲ ትኹን። 40 በታ ቐዳመይቲ
መዓልቲ ዝበለጸ ፍረ ኦም፡ ጨናፍር ስየን ጨናፍር ደስዳስ ኣእዋምን፡ ዕቦል ርባ ከኣ ውሰዱ፡ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ድማ ሾብዓተ መዓልቲ ተሐጐሱ። 41 ነዚ በዓል እዚ ኣብ ዓመት
ሾብዓተ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር ኣብዕልዎ። እዚ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም እዩ። ኣብ ሳብዐይቲ
ወርሒ ኣብዕልዎ። 42-43 እቲ ንደቂ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ኸውጽኦም ከሎኹ ኣብ ዳስ ከም
ዘስፈርክዎም፡ ውሉድ ወለዶኹም ምእንቲ ኺፈልጡ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ኣብ ዳስ ተቐመጡ፡ ካብ
እስራኤል እተወልዱ ዘበሉ ኣብ ዳስ ይቀመጡ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 44 ሙሴ ድማ፡
ብዛዕባ እተን ምዱባት በዓላት እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም።

## ምዕራፍ 24

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 እቲ ቐንዴል ወርትግ ኪበርህሲ፡ ደቂ እስራኤል
ንቐዋሚ ቐንዴል ዚኸውን እተጐድኤ ጽሩይ ዘይቲ ኣውልዕ ኬምጽኡልካ፡ ኣዝዝ። 3 ኣሮን ኣብ ድንኳን
ምርኻብ፡ ብወጻኢ እቲ ኣብ ቅድሚ ምስክር ዘሎ መጋረጃ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ካብ ምሸት ክሳዕ
ብጊሓት ወርትግ የዳልዎ። እዚ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም ይኹን። 4 ነቲ ቐንዲል ኣብቲ ጽሩይ
ቀዋሚ ቐንዴል ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ወርትግ የዳልዎ። 5 ድኹም ሓርጭ ወሲድካ ድማ፡ ካብኡ
ዓሰርተው ክልተ እንጌራ ሰንክት፡ ነንሓደ እንጌራ ክልተ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ይኹን። 6 ኣብቲ ጽሩይ ሰደቓ
ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር በብሹድሽተ ጌርካ ኣብ ክልተ መስርዕ ኣንብሮ። 7 ነቲ እንጌራ ድማ
ንመዘከርታ፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ኪኸውንሲ፡ ኣብ ለልዕሊ እቲ መመስርዕ እንጌራ ጽሩይ
ዕጣን ኣንብር። 8 ካብ ደቂ እስራኤል ንኺዳን ዘለኣለም በብመዓልቲ ሰንበት ወርትግ ኣብ ቅድሚ

እግዚኣብሄር የዳልዎ። 9 እዚ ኻብ መስዋእቲ ሓዊ እግዚኣብሄር ንእኡ ቅዱስ ቅዱሳን እዩ እሞ፡ ንኣሮንን
ንደቁን ይኹን፡ ኣብ ቅዱስ ቦታ ኸኣ ይብልዕዎ። እዚ ናይ ዘለኣለም ሕጊ እዩ። 10 ወዲ ሓንቲ
እስራኤላዊት ሰበይቲ፡ ንሱ ኸኣ ወዲ ምስራዊ ሰብኣይ፡ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ወጸ፡ ወዲ እታ
እስራኤላዊት ሰበይትን ሓደ እስራኤላዊ ሰብኣይን ድማ ኣብቲ ሰፈር ተበአሱ። 11 ወዲ እታ እስራኤላዊት
ሰበይቲ ኸኣ ንስም እግዚኣብሄር ጸረፈን ኣቃለለን። ናብ ሙሴ ድማ ኣምጽእዎ። ስም ኣዲኡ ኸኣ
ሰሎሚት ጓል ዲብሪ፡ ካብ ነገድ ዳን ነበረት። 12 ብዛዕባኡ ብኣፍ እግዚብሄር ክሳዕ ዚቕረጸሎም ኣብ ቤት
ማእሰርቲ ኣጽንሕዎ። 13 እግዚብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 14 ነቲ መቃለሊ ናብ ወጻኢ ሰፈር
ኣውጽኣዮ፡ እቶም ዝሰምዕዎ ኵሎም ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ ርእሱ የንብሩ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ድማ
ብዳርባ እምኒ ይቕተሎ። 15 ንደቂ እስራኤል ከኣ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ዝኾነ ሰብ ንኣምላኹ ዘቃለለ፡
ሓጢኣቱ ይጸውር። 16 እቲ ስም እግዚኣብሄር ዚጸርፍ፡ ሞት ይሙት፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ብዳርባ እምኒ
ይቕተሎ። ጓና ኾነ ወይ ወዲ ዓዲ፡ ስም እግዚኣብሄር ምስ ዚጸርፍ ይሙት። 17 ንዝኾነ ሰብ ዝቐተለ
ሰብ፡ ሞት ይሙት። 18 እንስሳ ዝቐተለ ይተክእ፡ ህይወት ኣብ ክንዲ ህይወት። 19 ሰብ፡ ኣካል ብጸዩ ምስ
ዜጕድል፡ ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ይግበርዎ፡ 20 ምስባር ኣብ ክንዲ ምስባር፡ ዓይኒ ኣብ ክንዲ ዓይኒ፡ ስኒ ኣብ
ክንዲ ስኒ። ከምቲ ንሱ ንሰብ ዘጕደሎ፡ ንእኡ ድማ ከምኡ ይግበርዎ። 21 እንስሳ ዝቐተለ ይተክኣሉ፡ ሰብ
ዝቐተለ ኸኣ ይሙት። 22 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ እሞ፡ ንጓና ኸም ዝኾነ፡ ንወዲ ዓዲውን
ከምኡ ይኹን፡ ሓደ ፍርዲ ይኹነልኩም። 23 ሙሴ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም። ንሳቶም ድማ ነቲ
መቃለሊ ናብ ወጻኢ ሰፈር ኣውጺኦም፡ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ። ደቂ እስራኤል ከምቲ እግዚኣብሄር
ንሙሴ ዝአዘዞ ገበሩ።

## ምዕራፍ 25

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኣብ ከረን ሲና ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡
ኣብታ ኣነ ዝህበኩም ምድሪ ምስ ኣቶኹም፡ እታ ምድሪ ንእግዚኣብሄር ሰንበት ተብዕል። 3 ሹድሽተ
ዓመት ግራትካ ዝራእ ሹድሽተ ዓመት ከኣ ወይንኻ ጠጥፍ፡ ፍሬኣ ድማ ኣክብ። 4 በታ ሳብዐይቲ፡ ሰንበት
እግዚኣብሄር ይኹን፡ ግራትካ ኣይትዝራእ ወይንኻውን ኣይትጠጥፍ። 5 ባልጋ ቖሪምካ ኣይትዕጸድ፡ እቲ
ኸይጠጠፍካዮ ዝፈረየ ኣስካል ወይንኻ ድማ ኣይትቐንጥብ። ነታ ምድሪ ዓመት ሰንበት ዕረፍቲ ይኹን። 6
ሰንበት እታ ምድሪ ንኣኻን ንግዙእካን ንግዝእትኻን ንወዓላይካን ነቲ ምሳኻ ዚነብር ስደተኛን
ምግብኹም ይኹን። 7 ኲሉ ፍሬኣ ንማልካን ኣብ ምድርኻ ንዘለዉ እንስሳን ቀለብ ይኹን። 8 ድማ
ሾብዓተ ሰናብቲ ዓመታት፡ ንኣኻ ሾብዓተ ሳዕ ሾብዓተ ዓመት ጌርካ ቍጸር፡ ዘበን እቲ ሾብዓተ ሰናብቲ
ዓመታት ኣርብዓን ትሽዓተን ዓመት ይኹነልካ። 9 ሽዑ ኣብ ሳብዐይቲ ወርሒ ብዓስረይቲ መዓልቲ
መለኸት ንፋሕ፡ ብመዓልቲ ዕርቂ ኣብ ብዘላ ሃገርኩም መለኸት ንፍሑ። 10 ነታ መበል ሓምሳ ዓመት
ቀድስዋ። ኣብታ ምድሪ ኸኣ፡ ኣብኣ ንዚነብሩ ኵሎም ሓርነት ኣውጁ። እዚኣ ዓመት እልልታ
ትኹነልኩም፡ ነፍሲ ወከፍኩም ነናብ ርስቱ ይመለስ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ነናብ ዓሌቱ ይመለስ። 11
እዛ መበል ሓምሳ ዓመት እዚኣ ዓመት እልልታ ትኹነልኩም፡ ኣይትዝርኡ፡ እቲ ባሊጉ ኣብኣ ዝበቈለ ኸኣ
ኣይትዕጸዱ፡ እቲ ዘይተጠጠፈ ወይኒ ድማ ኣይትቘንጥቡ። 12 እዚኣ ዓመት እልልታ እያ እሞ፡ ቅድስቲ
ትኹነልኩም። ካብ ግራት ዝአተወ ብልዑ። 13 በዛ ዓመት እልልታ ነፍሲ ወከፍኩም ነናብ ርስቱ
ይመለስ። 14 ገለ ንብጻይካ እንተ ሸጥካሉ፡ ወይ ካብ ኢድ ብጻይካ ገለ እንተ ተሻይጥካ፡ ሓደ እኳ ንሓዉ

ኣይዐምጽ። 15 ብቑጽሪ ዓመታት ድሕሪ ዓመት እልልታ ኻብ ብጻይካ ተሻየጥ፡ ንሱ ድማ ብቑጽሪ
ዓመታት ፍሬኡ ይሸጠልካ። 16 ብቑጽሪ ዓመታት ፍረ እዩ ዚሸጠልካ እሞ፡ ብመጠን ምብዛሕ ዓመታት
ዋጋ ኣብዝሕ፡ ብመጠን ምውሓድ ዓመታት ድማ ዋጋ ኣውሕድ። 17 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ
እሞ፡ ሓደ እኳ ንብጻዩ ኣይዐምጽ፡ ንኣምላኽካ ደኣ ፍራህ። 18 ሕጋጋተይ ግበሩ ፍርድታተይውን ሐልዉን
ግበርዎን። ኣብታ ሃገር ድማ ብህድኣት ክትነብሩ ኢኹም። 19 እታ ምድሪ ኸኣ ፍሬኣ ትህብ እሞ፡
በሊዕኩም ትጸግቡ። ኣብኣውን ብህድኣት ትነብሩ። 20 እንሆ፡ ኣይዘራእናን ፍረ ድማ ኣየእቶናን፡ በታ
ሳብዐይቲ ዓመት ደኣ እንታይ ክንበልዕ ኢና፡ እንተ በልኩም፡ 21 ሽዑ በታ ሳድሰይቲ ዓመት በረኸተይ
ክእዝዘልኩም እየ፡ ንሰለስተ ዓመት ዚኸውን ፍረ ኸኣ ከተፍርየልኩም እያ። 22 በታ ሳምነይቲ ዓመት
ድማ ክትዘርኡ ኢኹም፡ ካብ ነባር እኽሊ ከኣ ክትበልዑ ኢኹም። ክሳዕ እታ ታስዐይቲ ዓመት፡ ፍሬኣ
ኽሳዕ ዚኣቱ፡ እቲ ነባር ክትበልዑ ኢኹም። 23 ምድሪ ናተይ እያ፡ ንስኻትኩም ከኣ ምሳይ እትነብሩ ጓኖት
ኢኹም እሞ፡ ምድሪ ንሓዋሩ ኣይትሸየጥ። 24 ኣብ ብዘላ ምድሪ ርስትኹም፡ እታ ምድሪ ብዋጋ
ተበጀውዋ። 25 ሓውካ እንተ ተሸገረ እሞ ካብ ርስቱ ገለ እንተሸጠ፡ እቲ ዚቐርቦ ዘመዱ መጺኡ ነቲ ሓዉ
ዝሸጦ ይበጀዎ። 26 ዚብጀዎ ዘመድ እንተ ዜብሉ፡ ንሱ ግና ኢዱ እንተ መልኣሉ፡ ንምብጃው ዚኣክልውን
እንተ ረኸበ፡ 27 እተን እተሸጠትለን ዓመታት ይቑጽር፡ እቲ ዝተረፎ ነቲ እተሻየጠ ሂቡ፡ ናብ ርስቱ
ይምለስ። 28 ንመምለሲኡ ዚኣክል ኣብ ኢዱ እንተ ዘይረኸበ ግና፡ እቲ እተሸጠ ኽሳዕ ዓመት እልልታ ኣብ
ኢድ ተሻያጢኡ ይጽናሕ። በታ ዓመት እልልታ ሓራ ይውጻእ፡ ንሱ ድማ ናብ ርስቱ ይመለስ። 29 ሰብ
ኣብ እተዐርደት ከተማ ዘላ ቤት እንተ ሸጠ፡ እታ ዝሸጠላ ዓመት ክሳዕ እትመልእ ይበጀዋ፡ ጊዜ ምብጃዋ
ዓመት ምሉእ ይኹን። 30 ክሳዕ ምሉእ ዓመት እንተ ዘይተበጀወት ከኣ፡ እታ ኣብ እተዐርደት ከተማ ዘላ
ቤት ንሓዋሩ ነቲ እተሻየጣ ንውሉድ ወለዶኡ ትኹን፡ ብዓመት እልልታ ሓራ ኣይትወጽእን። 31 ኣብ
ዙርያኤን ቀጽሪ ኣብ ዜብለን ዓድታት ዘለዋ ኣባይቲ ግና ምስ ግራውቲ ሃገር ይተሐሰባ፡ በጃ ይውህበን፡
ብዓመት እልልታ ድማ ሓራ ይውጽኣ። 32 ብዛዕባ ኸተማታት ሌዋውያን ግና ነተን ኣብ ከተማታት
ርስቶም ዘለዋ ኣባይቲ ኺብጀውወን፡ ንሌዋውያን ናይ ዘለኣለም ስርዓት ይኹን። 33 እተን ኣብ ከተማታት
ሌዋውያን ዘለዋ ኣባይቲ ኸኣ፡ ንሳተን ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ርስቶም እየን እሞ፡ ሓደ ኻብ
ሌዋውያን እንተ ተበጀወ፡ ሽዑ እታ እተሸጠት ቤትን እታ ናይ ርስቱ ኸተማን ብዓመት እልልታ ሓራ
ይውጽኣ። 34 ኣብ ዙርያ ኸተማታቶም ዘላ ግራት ግና፡ ናይ ዘለኣለም ርስቶም እያ እሞ፡ ኣይትሸየጥ። 35
ሓውካ እንተ ደኸየ እሞ ምሳኻ ኸሎ ኢዱ እንተ ሐጸሮ፡ ከም ጓናን ከም ጸጋዕተኛን ምሳኻ ይንበር። 36
ካብኡ ሓረጣ ወይ ረብሓ ኣይትውሰድ። ንኣምላኽካ ደኣ ፍራህ፡ ሓውካ ኸኣ ምሳኻ ይንበር። 37 ገንዘብካ
ብሓረጣ ኣይትሀቦ፡ እኽልኻ ኸኣ ብረብሓ ኣይትሀቦ። 38 ኣምላኽ ክኾነኩምን ምድሪ ኸነኣን ክህበኩምን፡
ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 39 ሓውካ ድማ ምሳኻ ኸሎ
እንተ ደኸየ፡ ርእሱ ኸኣ እንተ ሸጠልካ፡ ከም ባርያ ጌርካ ኣይትግዝኣዮ፡ 40 ከም በዓል ዓስብን ከም
ጸጋዕተኛን ምሳኻ ይንበር። ክሳዕ ዓመት እልልታ የገልግልካ። 41 ሽዑ ንሱ፡ ደቁ ድማ ምስኡ፡ ካባኻ ሓራ
ይውጻእ እሞ፡ ናብ ዓሌቱ ይመለስ፡ ናብ ርስቲ ኣቦታቱ ኸኣ ይመለስ። 42 ካብ ምድሪ ግብጺ
ዘውጻእክዎም ባሮተይ እዮም እሞ፡ ባርያ ኸም ዚሸየጥ ኣይሸየጡ። 43 ኣበርቲዕካ ኣይትግዝኣዮ፡
ንኣምላኽካ ደኣ ፍራህ። 44 ንኣኻ ዚኾኑ ተባዕታይ ባርያን ኣንስተይቲ ባርያን ግና ኣብ ዙርያኹም ካብ
ዘለዉ ህዝብታት፡ ካባታቶም ተባዕታይ ባርያን ኣንስተይቲ ባርያን ተሻየጡ። 45 ካብ ደቂ እቶም
ምሳኻትኩም ዚነብሩ ጓኖት፡ ካባታቶምን ኣብ ሃገርኩም ካብ እተወልዱ ዓሌቶምን ተሻየጡ፡ ጥሪት
ይኹኑኹም። 46 ብድሕሬኹም ድማ ንደቅኹም ከም ጥሪት ርስቲ ኣውርስዎም፡ ብኣታቶም ንዘለኣለም

ክትግልገሉ ኢኹም። ብናይ ኣሕዋትኩም ደቂ እስራኤል ግና ሓደ እኳ ንሓዉ ኣበርቲዑ ኣይግዝኣዮ። 47
ጓና ወይ ምሳኻ ዘሎ ጸጋዕተኛ እንተ ሀብተመ፡ ሓደ ሓውካ ኸኣ ምስኡ ኸሎ እንተ ደኸየ እሞ ንርእሱ
ኣብቲ ምሳኻ ዚነብር ጓና፡ ወይ ኣብ ሓደ ኻብ ዓሌት ጓና እንተ ሸጠ፡ 48 ድሕሪ ምሻጡ ይበጀውዎ፡ ሓደ
ኻብ ኣሕዋቱ ይበጀዎ። 49 ሓው ኣቦኡ ወይ ወዲ ሓው ኣቦኡ ይበጀዎ፡ ወይ ካብ ዓሌቱ፡ ካብ ዘመድ
ስጋኡ ሓደ ይበጀዎ፡ ወይ ኣብ ኢዱ እንተ ረኸበ፡ ንርእሱ ይበጀዋ። 50 ካብታ እተሸጠላ ዓመት ክሳዕ
ዓመት እልልታ ምስቲ እተሻየጦ ኺዑይኑ ይጸብጽብ፡ እቲ ዋጋ መሸጣኡ ብመጠን ቍጽሪ ዓመታት
ይኹን፡ ከም መጠን መዓልትታት ወዓላይ ምስኡ ይኹን። 51 ገና ብዙሕ ዓመታት እንተሎ፡ ብእኤን
መጠን ዋጋ መበጀዊኡ ኻብቲ ገንዘብ መሸጣኡ ይምለስ። 52 ክሳዕ ዓመት እልልታ ቕሩብ ዓመታት ተሪፉ
እንተሎ፡ ምስኡ ጸብጺቡ ኸም መጠን ዓመታቱ ዋጋ መበጀዊኡ ይምለስ። 53 ከም ዓሰባ ዓመት ንዓመት
ምስኡ ይኹን፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ኣበርቲዑ ኣይግዝኣዮ። 54 በዚ እንተ ዘይተበጀወ ኸኣ፡ ንሱ ደቁ ኸኣ
ምስኡ ብዓመት እልልታ ሓራ ይውጽኡ። 55 ደቂ እስራኤል ባሮተይ እዮም እሞ፡ ንሳቶም ካብ ምድሪ
ግብጺ ዘውጻእክዎም ባሮተይ እዮም። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ።

## ምዕራፍ 26

1 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ እሞ፡ ንኣኻትኩም ጣኦታት ኣይትግበሩ። እተወቕረ ምስሊ ወይ
ሓወልቲ ድማ ኣይተቘሙ፡ ወይ እተሳእለ እምኒ ኽትሰግዱሉ ኢልኩም ኣብ ምድርኹም ኣይትግበሩ። 2
ሰናብተይ ሓልዉ። መቕደሰይውን ፍርሁ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 3 ብሕጋጋተይ እንተ ኸድኩም፡
ትእዛዛተይ ከኣ እንተ ሐሎኹም፡ እንተ ገበርኩምዎ ኸኣ፡ 4 ኣነ ዝናምኩም ብጊዜኡ እህበኩም። ምድሪ
ድማ እኽላ ኽትህብ እያ፡ ኣእዋም መሮር ከኣ ፍሬኤን ይህባ። 5 መኼዳኹም ክሳዕ ምቕንጣብ ወይኒ
ይበጽሕ፡ ምቕንጣብ ወይኒ ኸኣ ክሳዕ ዘርኢ ይበጽሕ። እንጌራኹም በሊዕኩም ትጸግቡ፡ ኣብ ምድርኹም
ከኣ ሀዲእኩም ትቕመጡ። 6 ኣብ ምድርኹም ድማ ሰላም ክህብ እየ፡ ንስኻትኩም ከኣ በጥ ትብሉ፡
ዜፍርሃኩምውን የልቦን፡ ሕሱማት ኣራዊት ካብታ ምድሪ ኸጥፍእ እየ፡ ሴፍ ድማ ብሃገርኩም
ኣይሐልፍን። 7 ጸላእትኹም ትሰጉ፡ ንሳቶም ብሴፍ ኣብ ቅድሜኹም ይወድቁ። 8 ሓሙሽተ ኻባኻትኩም
ንሚእቲ ይሰጕዎም፡ ሚእቲ ካባኻትኩም ንዓሰርተ ሽሕ ይሰጕዎም፡ ጸላእትኹም ብሴፍ ኣብ
ቅድሜኹም ይወድቁ። 9 ኣነ ገጸይ ናባኻትኩም እመልስ እሞ ከፍርየኩምን ከብዝሓኩምን እየ፡ ኪዳነይ
ከኣ ምሳኻትኩም ከቕውም እየ። 10 ነዊሕ እተዓቝረ ነባር እኽሊ ድማ ትበልዑ፡ ስለቲ ሓድሽ ከኣ ነቲ
ዕቑር ትጕሕፍዎ። 11 ማሕደረይ ድማ ኣብ ማእከልኩም ክገብር እየ፡ ነፍሰይ ከኣ ኣይትፍንፍነኩምን። 12
ኣብ ማእከልኩም ድማ እኸይድ፡ ኣምላኽኩምውን እኸውን፡ ንስኻትኩም ከኣ ህዝበይ ትኾኑኒ። 13
መታን ባሮቶም ከይትኾኑ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኹም፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ፡
ቀንራብዓት ኣርዑትኩም ድማ ሰበርኩ፡ ርእስኹም ኣልዒልኩም ከም እትኸዱውን ገበርኩኹም። 14
ግናኸ እንተ ዘይሰማዕኩምኒ፡ እዚ ኹሉ ትእዛዛት እዚ ኸኣ እንተ ዘይገበርኩም፡ 15 ሕጋጋተይ ድማ እንተ
ነዐቕኩም እሞ ኩሉ ትእዛዛተይ ከይትገብሩ፡ ነፍስኹም ፍርድታተይ እንተ ፈንፈነት፡ ኪዳነይ ከኣ እንተ
ኣፍረስኩም፡ 16 ኣነ ድማ እዚ ኽገብረኩም እየ፡ ኣነ መሸበርን ሕዱር ሰዓልን ኣዒንቲ ዜሕምቕ ነፍሲ ኸኣ
ዜድክም ዓሶን ክሰደልኩም እየ። ጸላእትኹም ኪበልዕዎ እዮም እሞ፡ ዘርእኹም ንኸንቱ ትዘርኡ። 17
ገጻይ ከኣ ናብ ልዕሌኹም ክመልስ እየ፡ ኣብ ቅድሚ ጸላእትኹም ድማ ክትሰዐሩ ኢኹም። እቶም
ዚጸልኡኹም ከኣ ኪገዝኡኹም እዮም፡ ዝሰጐጒኩም ዜልቦ ድማ ክትሀድሙ ኢኹም። 18 በዚ ድማ ገና

እንተ ዘይሰማዕኩምኒ፡ ብዛዕባ ሓጢኣትኩም ሾብዓተ ዕጽፊ ገይረ ክቐጽዓኩም እየ። 19 ነቲ ትዕቢት
ሓይልኹም ክሰብሮ እየ፡ ሰማይኩም ከኣ ከም ሓጺን፡ ምድርኹምውን ከም ኣስራዚ ኽገብር እየ። 20
ምድርኹም እኽላ ኣይትህብን፡ ኦም ሃገር ከኣ ፍሬኣ ኣይትህብን እያ እሞ፡ ሓይልኹም ብኸንቱ
ይውዳእ። 21 ክትጻረሩኒ እንተ ኸድኩም፡ ክትሰምዑኒውን እንተ ዘይፈቶኹም፡ ከምቲ ሓጢኣትኩም
መሊሰ ሾብዓተ ሳዕ ክወቕዓኩም እየ። 22 ንደቅኹም ዚዝርፉ፡ ንማልኩምውን ዜጥፍኡ፡ ንቕጽርኹም
ድማ ዜውሕዱ ኣራዊት መሮር ክሰደልኩም እየ፡ መገድኹም ከኣ ይባድም። 23 በዚ ነገርዚ እንተ
ዘይተቐጻዕኩምለይ፡ ግናኸ ንኣይ ብምጽራር እንተ ተመላለስኩም፡ 24 ኣነ ኸኣ ንኣኻትኩም ብምጽራር
እመላለስ፡ ብዛዕባ ሓጢኣትኩምውን ኣነ ሾብዓተ ዕጽፊ ገይረ እወቕዓኩም። 25 ሕነ ኺዳነይ ዚፈዲ ሴፍ
ድማ ኣብ ልዕሌኹም ከምጽእ እየ፡ ኣብ ከተማታትኩም ከኣ ትእከቡ፡ ናብ ማእከልኩም ድማ ፌራ
እሰድድ፡ ኣብ ኢድ ጸላኢ ኸኣ ትወሀቡ። 26 በትሪ እንጌራ ምስ ዝሰብረልኩም፡ ንእንጌራኹም ዓሰርተ
ኣንስቲ ኣብ ሓደ እቶን ይስንክታኦ፡ እንጌራኹም ድማ ብሚዛን ይመልሳልኩም፡ በሊዕኩም ከኣ
ኣይትጸግቡን። 27 በዚ ነገርዚ እንተ ዘይሰማዕኩምኒ እሞ እናተጻረርኩምኒ እንተ ኸድኩም፡ 28 ኣነ ድማ
ብቑጥዓ እናተጻረርኩኹም እኸይድ እሞ ብዛዕባ ሓጢኣትኩም ሸብዓተ ዕጽፊ እቐጽዓኩም። 29 ስጋ
ኣወዳትኩም ክትብልዑ፡ ስጋ ኣዋልድኩም ከኣ ክትበልዑ ኢኹም። 30 በረኽትኹም ኤፍርስ፡ ናይ ጸሓይ
ኣዕኒድኩምውን እሰብር፡ ንሬሳኹም ድማ ናብ ልዕሊ ሬሳ ጣኦታትኩም ክድርብዮ እየ፡ ነፍሰይ ከኣ
ክትፍንፍነኩም እያ። 31 ንኸተማታትኩም ድማ በረኻ እገብረን፡ ንመቓድስኩምውን ኤፍርሰን፡ ደጊም
ከኣ እቲ ጥዑም ጨና ዕጣንኩም ኣየጨንዎን። 32 ነታ ሃገር ድማ ኣነ ኸባድማ እየ፡ እቶም ኣብኣ ዝነብሩ
ጸላእትኹም ከኣ ብእኣ ኺድንቑ እዮም። 33 ንኣኻትኩም ከኣ ኣብ ማእከል ህዝብታት ፋሕ ከብለኩም እየ፡
ደድሕሬኹም ድማ ሴፍ ክመልሕ እየ፡ ሃገርኩም ከኣ ክትባድም እያ፡ ከተማታትኩምውን በረኻ ይኾና።
34 ሽዑ እታ ሃገር በቲ እትዐንወሉ ኹሉ ዘበን፡ ንስኻትኩም ድማ ኣብ ሃገር ጸላእትኹም ከሎኹም፡ ንሳ
ብሰናብታ ባህ ይብላ፡ ሽዑ እታ ምድሪ ትዐርፍ፡ ብሰናብታ ኸኣ ባህ ይብላ። 35 እቲ ንስኻትኩም ኣብኣ
ኽትነብሩ ኸሎኹም፡ ብሰናብትኹም ዘይዐርፈት፡ በቲ እትዐንወሉ ኹሉ ዘበን ክትዐርፍ እያ። 36 ነቶም
ካባኻትኩም ዝተረፉ ድማ ኣብ ሃገር ጸላእቶም ከለዉ፡ ምሽባር ናብ ልቦም ከእቱ እየ፡ ደሃይ እተነቓነቐት
ቈጽሊ ኸኣ የህድሞም፡ ካብ ሴፍ ከም ዚህድም ይህድሙ፡ ገለ ኸይሰጐጎም ከኣ ይወድቁ። 37 ሓደ እኳ
ኸይሰጐጎም፡ ከም ኣብ ቅድሚ ሴፍ እቲ እቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ይወድቁ፡ ኣብ ቅድሚ
ጸላእትኹም ከኣ ክትቈሙ ኣይትኽእሉን። 38 ኣብ ማእከል ህብታት ትጠፍኡ፡ ምድሪ ጸላእትኹም ድማ
ትውሕጠኩም። 39 እቶም ካባኻትኩም ዝተረፉ ድማ ኣብ ምድሪ ጸላእትኹም ብኽፍኣቶም ይምህምኑ፡
ብኽፍኣት ኣቦታቶም ከኣ ምሳታቶም ይምህምኑ። 40 በቲ ዝበደሉኒ በደሎምን፡ በቲ ዚገብርዎ ኽፍኣቶምን
ክፍኣት ኣቦታቶምን ኪናዘዙ እዮም። ድማ ብምምልላሶም ስለ እተጻረሩኒ፡ 41 ኣነ ኸኣ ብምምልላሰይ
ተጻረርክዎም፡ ናብ ምድሪ ጸላእቶም ድማ ኣእቶኽዎም። ሽዑ እቲ ዘይግዙር ልቦም እንተ ኣትሐቱ፡
ቅጽዓት ክፍኣቶምውን እንተ ተቐበሉ፡ 42 ኣነ ድማ እቲ ኺዳነይ ምስ ያእቆብ እዝክር፡ ኪዳነይ ምስ
ይስሃቅ ድማ፡ ኪዳነይ ምስ ኣብርሃም ከኣ እዝክር፡ ነታ ሃገርውን እዝክራ። 43 ነታ ሃገር ኪሐድግዋ እዮም
እሞ፡ ንሳቶም ከየለዉ ፆንያ ኸላ ብሰናብታ ባህ ይብላ፡ ንሳቶም ከኣ ፍርድታተይ ስለ ዘቃለሉን፡
ነፍሳቶም ከኣ ሕጋጋተይ ስለ ዝፈንፈና፡ ቅጽዓት ሓጢኣቶም ይቕበሉ። 44 እዚ ኸነሱ እኳ፡ ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኾም እየ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ጸላእቶም ከለዉ ፈጺመ ንምጥፋኦም፡ ምሳታቶም
ዝኣቶኽዎ ኺዳን ንምፍራስ ኣይድርብዮምን፡ ኣይፍንፍኖምን ድማ። 45 ኣምላኾም ምእንቲ ክኸውን ኢለ፡
ካብ ምድሪ ግብጺ ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ኣውጺኤ ነቲ ምስቶም ቀዳሞት ዝኣቶኽዎ ኺዳን ክዝክር እየ፡

ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 46 እቲ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎኡን ኣብ መንጎ ደቂ እስራኤልን ብኢድ ሙሴ ኣብ
ደብረ ሲና ዝሀበ ትእዛዛትን ፍርድታትን ሕጋጋትን እዚ እዩ።

# ምዕራፍ 27

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ሰብ ምስ
ዚመጻባዕ፡ እቶም ነፍሳት ንእግዚኣብሄር ከም ገምጋምካ ይተሐሰቡ። 3 እቲ ገምጋምካ ድማ፡ ንተባዕታይ
ካብ ዕስራ ዓመት ክሳዕ ወዲ ስሳ ዓመት ገምጋምካ ብሲቃል መቕደስ ሓምሳ ሲቃል ብሩር ይኹን። 4 ጓል
ኣንስተይቲ እንተ ኾነት ከኣ፡ ገምጋምካ ሰላሳ ሲቃል ይኹን። 5 ካብ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ክሳዕ ወዲ
ዕስራ ዓመት እንተ ኾነ ድማ፡ ገምጋምካ ንተባዕታይ ዕስራ ሲቃል፡ ንጓል ኣንስተይቲ ኸኣ ዓሰርተ ሲቃል
ይኹን። 6 ካብ ወዲ ሓደ ወርሒ ኽሳዕ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት እንተ ኾነ ድማ፡ ገምጋምካ ንተባዕታይ
ሓሙሽተ ሲቃል ብሩር፡ ገምጋምካ ንጓል ኣንስተይቲውን ሰለስተ ሲቃል ብሩር ይኹን። 7 ካብ ወዲ ስሳ
ዓመት ንላዕሊ ድማ፡ ንተባዕታይ እንተ ኾነ፡ ገምጋምካ ዓሰርተው ሓሙሽተ ሲቃል፡ ንጓል ኣንስተይቲ
ኸኣ ዓሰርተ ሲቃል ይኹን። 8 ነቲ ገምጋምካ ዘይኽእል ድኻ እንተ ኾነ ድማ፡ ኣብ ቅድሚ ኻህን ደው
የብልዎ፡ እቲ ኻህን ከኣ ይገምግሞ። እቲ ኻህን ነቲ እተመባጽዔ ኸምቲ ኣብ ኢዱ ዘረኸቦ ይገምግሞ። 9
እቲ ንእግዚኣብሄር ዜቕርብዎ መስዋእቲ ኻብ እንስሳ እንተ ኾነ ኸኣ፡ ካብኡ ንእግዚኣብሄር እተዋህበ
ኹሉ ቅዱስ ይኹን። 10 ጽቡቕ ኣብ ክንዲ ኽፉእ ወይ ክፉእ ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ኣይሕለፍ፡ ኣይለወጥ
ድማ። እንስሳ ንእንስሳ እንተ ለወጠ ግና፡ ንሱን እቲ መላውጡን ቅዱሳት ይኹኑ። 11 ካብቶም
ንእግዚኣብሄር ንመስዋእቲ ዘይቕረቡ ርኹሳት ዘበሉ እንስሳ እንተ ኾነ ኸኣ፡ ነቲ እንስሳ ኣብ ቅድሚ
ኻህን ደው የብሎ፡ 12 ጽቡቕ እንተ ኾይኑ ወይ ክፉእ፡ እቲ ኻህን ብመጠኑ ይገምግም። ኣታ ኻህን፡ ከም
ገምጋምካ ኸምኡ ይኹን። 13 ኪብጀዎ እንተ ደለየ ኸኣ፡ ሓምሳይ ኢድ እቲ ገምጋምካ ይወስኸሉ። 14 ሰብ
ቤቱ ንእግዚኣብሄር ቅድስቲ ኽትከውን እንተ ቐደሳ ድማ፡ ብመጠን ምጽባቓ ወይ ምሕማቓ እቲ ኻህን
ይገምግማ። ከምቲ ኻህን ዝገምገማ ኸምኡ ይቑም። 15 እቲ ንቤቱ ዝቐደሳ ኺብጀዋ እንተ ደለየ፡ ነቲ
ዝገምገምካዮ ብሩርስ ሓምሳይ ኢድ ይወስኸሉ እሞ ናቱ ትኹን። 16 ሰብ ካብ ግራት ርስቱ ገለ
ንእግዚኣብሄር እንተ ቐደሰ፡ እቲ ገምጋምካ ኸም መጠን ዘርኣ ይኹን፡ ሆሜር ስገም ዜዝርእ ሓምሳ
ሲቃል ብሩር ይተሐሰብ። 17 ነታ ግራቱ ኻብ ዓመት እልልታ ጀሚሩ እንተ ቐደሳ፡ ከምቲ ገምጋምካ
ይቑም። 18 ንግራቱ ድሕሪ ዓመት እልልታ እንተ ቐደሳ ኸኣ፡ እቲ ኻህን ብፍቕዲ እተን ክሳዕ ዓመት
እልልታ ተሪፈን ዘለዋ ዓመታት ዋጋኣ ይሕሰበሉ፡ ካብቲ ገምጋምካ ኸኣ ይጕደል። 19 እቲ ግራቱ ዝቐደሰ
ኺብጀዋ እንተ ደለየ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝገምገምካዮ ዋጋኣ ሓምሳይ ኢድ ይወስኽ፡ ኣብኡ ኸኣ
ትቑም። 20 ነታ ግራት ኪብጀዋ እንተ ዘይደለየ፡ ወይ ነታ ግራት ናብ ካልእ ሰብ እንተ ሸጣ፡ ድሕሪ እቲ
ኺብጀዋ ኣይከኣሎን እዩ። 21 ብዓመት እልልታ ምስ ወጸት ግና፡ ከም እተሐርመት ግራት ንእግዚኣብሄር
ትቀደስ እሞ ርስቲ ኻህን ትኹን። 22 ካብ ግራት ርስቱ ዘይኰነት እተሻየጣ ግራት ንእግዚኣብሄር እንተ
ቐደሰ ድማ፡ 23 ሽዑ እቲ ኻህን ነቲ ዋጋ ገምጋምካ ኽሳዕ ዓመት እልልታ ይሕሰበሉ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ
ኸኣ እቲ ዋጋ ገምጋምካ ንእግዚኣብሄር ከም እተቐደሰ ገይሩ ይሀብ። 24 ብዓመት እልልታ ግና እታ ግራት
ናብቲ ሸያጢኣ፡ ናብቲ እታ ምድሪ ርስቱ ዝነበረት ትመለስ። 25 ኲሉ ገምጋምካ ብሲቃል መቕደስ ይኹን፡
እታ ሲቃል ድማ ዕስራ ጌራ ትኹን። 26 በዂሪ እንስሳ ግና፡ በዂሪ ምዃኑ ናይ እግዚኣብሄር ዝኾነ፡
ብዕራይ ኰነ በጊዕ ኰነ፡ ሰብ ኪቕድሶ ኣይከአልን። ናይ እግዚኣብሄር እዩ። 27 ካብ ርኹስ እንስሳ እንተ

ዀነ ግና፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ገምጋምካ ሓምሳይ ኢድ ወሲኹ ይበጀዎ። እንተ ዘይተበጀወ፡ በቲ ገምጋምካ
ይሸየጥ። 28 ሰብ ንእግዚኣብሄር ዝሐረሞ ዅሉ ሕሩም ነገር ካብ ዝዀነ ገንዘቡ፡ ሰብ ኰነ እንስሳ ዀነ
ወይ ግራት ርስቱ ዝዀነት፡ ኣይሸየጥ ኣይበጀዎ ድማ። እተሐርመ ዘበለ፡ ንሱ ንእግዚኣብሄር ቅዱስ
ቅዱሳን እዩ። 29 እተሐርመ ዘበለ ሕሩም ሰብ ሞት ይሙት እምበር፡ ኣይበጀዎ። 30 ኲሉ ዕሽር ምድሪ
ድማ፡ ካብ ዘርኢ ምድሪ ዀነ፡ ካብ ፍረ ኦም ኰነ፡ ንሱ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ
እዩ። 31 ሰብ ካብቲ ዕሽሩ ኺብጀ እንተ ደለየ፡ ኣብ ልዕሊኡ ሕምሻኡ ይወስኽሉ። 32 ዕሽር ኲሉ ኣሓን
ጤለ በጊዕን፡ ዕሽር እቲ ብትሕቲ በትሪ ዚሐልፍ ኲሉ፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ይዅን። 33 ጽቡቕ ምዃኑ
ወይ ክፉእ ኣይመርምር ኣይለውጥ ድማ፡ እንተ ለወጠ ግና፡ ንሱን እቲ መላውጡን ቅዱሳት ይዅኑ፡
ኣይበጀዎ ኸኣ። 34 እቲ እግዚብሄር ንደቂ እስራኤል ኢሉ ኣብ ከረን ሲና ንሙሴ ዝኣዘዞ ትእዛዛት እዚ
እዩ።

# ኦሪት ዘህልቍ

## ምዕራፍ 1

[1] ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ዚወጹ ኣብ ካልኣይቲ ዓመት፡ ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ ብቐዳመይቲ መዓልቲ፡
እግዚኣብሄር ኣብ በረኻ ሲና፡ ኣብ ድንኳን ምርኻብ፡ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [2] በብዓሌቶምን
በብማይ ቤት ኣቦታቶምን ተባዕታይ ዘበለ ነንርእሲ ኸም ቍጽሪ ስሞም ናይ ብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል
ቍጽሪ ውሰድ። [3] ንስኻን ኣሮንን፡ ኣብ እስራኤል ንዘለዉ ኹሎም ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ
ውግእ ኪወጹ ዚኽእሉ በብሰራዊቶም ቍጸሮም። [4] ኣብ ማይ ቤት ኣቦታቱ ዋና ዚኸውን ከካብ ነገር ሓደ
ሰብ ምሳኻትኩም ይኹን። [5] እቶም ምሳኻትኩም ደው ዚብሉ ሰባት ድማ ስሞም እዚ እዩ፡ ካብ ሮቤል፡
ኤሉጹር ወዲ ሸዴውር። [6] ካብ ስምኦን፡ ሸሉሚኤል ወዲ ጹሪሻዳይ” [7] ካብ ይሁዳ፡ ነኣሶን ወዲ
ኣሚናዳብ። [8] ካብ ይሳኮር፡ ናትናኤል ወዲ ጹዓር። [9] ካብ ዛብሎን፡ ኤልያብ ወዲ ሔሎን። [10] ካብ ደቂ
ዮሴፍ፡ ካብ ኤፍሬም፡ ኤሊሻማዕ ወዲ ዓሚሁድ። ካብ ምናሴ፡ ገማልኤል ወዲ ጳዳህጹር። [11] ካብ
ብንያም፡ ኣቢዳን ወዲ ጊድዮኒ። [12] ካብ ዳን፡ ኣሒዔዘር ወዲ ዓሚሻዳይ። [13] ካብ ኣሴር፡ ጳግዒኤል ወዲ
ዖክራን። [14] ካብ ጋድ፡ ኤልያሳፍ ወዲ ድዑኤል። [15] ካብ ንፍታሌም፡ ኣሒራዕ ወዲ ዔናን። [16] እቶም ካብቲ
ኣኼባ እተጸውዑ፡ ሹማምቲ ነገዳት ኣቦታቶም እዚኣቶም እዮም። ንሳቶም ሓላቑ ኣሽሓት እስራኤል
ነበሩ። [17] ሙሴን ኣሮንን ድማ ነዞም በብስሞም እተጸውዑ ሰባት ወሰዱ። [18] ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ
ብቐዳመይቲ መዓልቲ ንብዘሎ እቲ ኣኼባ ኣከቡ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ዘሎ በብዓሌቶም፡
በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ነንርእሲ፡ በብስሞም ተቘጺሮም ተጻሕፉ። [19] ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ
ዝኣዘዞ፡ ኣብ በረኻ ሲና ቘጸሮም። [20] ወለዶ ደቂ ሮቤል በዅሪ እስራኤል፡ በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት
ኣቦታቶም፡ ነንርእሲ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ፡ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም
ተባዕትዮ፡ [21] እቶም ካብ ነገድ ሮቤል እተቘጽሩ ኣርብዓን ሹድሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ኰኑ። [22]
ወለዶ ደቂ ስምኦን በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ነንርእሲ፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ
ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም ተባዕትዮ፡ [23] እቶም ካብ ነገድ ስምኦን እተቘጽሩ፡
ሓምሳን ትሽዓተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ኰኑ። [24] ወለዶ ደቂ ጋድ በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት
ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ [25] እቶም
ካብ ነገድ ጋድ እተቘጽሩ፡ ኣርብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ሓምሳን ኰኑ። [26] ወለዶ ደቂ
ይሁዳ በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ
ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ [27] እቶም ካብ ነገድ ይሁዳ እተቘጽሩ፡ ስብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሽዱሽተ
ሚእትን ኰኑ። [28] ወለዶ ደቂ ይሳኮር በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ
ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኵሎም፡ [29] እቶም ካብ ነገድ ይሳኮር እተቜጽሩ፡ ሓምሳን
ኣርባዕተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ኰኑ። [30] ወሎዶ ደቂ ዛብሎን በብዓሌቶም፡ በብ ማይ ቤት
ኣቦታቶም፡ በብስሞን እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ [31] እቶም
ካብ ነገድ ዛብሎን እተቘጽሩ፡ ሓምሳን ሾብዓተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ኰኑ። [32] ደቂ ዮሴፍ፡ ወለዶ
ደቂ ኤፍሬም በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት
ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ [33] እቶም ካብ ነገድ ኤፍሬም እተቘጽሩ፡ ኣርብዓ ሽሕን ሓሙሽተ

ሚእትን ኰኑ። 34 ወለዶ ደቂ ምናሴ በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ
ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ 35 እቶም ካብ ነገድ ምናሴ እተቘጽሩ፡ ሰላሳን
ክልተን ሽሕን ክልተ ሚእትን ኰኑ። 36 ወለዶ ደቂ ብንያም በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡
በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም። 37 እቶም ካብ ነገድ
ብንያም እተቘጽሩ፡ ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ኰኑ። 38 ወለዶ ደቂ ዳን በብዓሌቶም፡
በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ
ኹሎም፡ 39 እቶም ካብ ነገድ ዳን እተቘጽሩ፡ ስሳን ክልተን ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ኰኑ። 40 ወለዶ ደቂ
ኣሴር በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ
ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ 41 እቶም ካብ ነገድ ኣሴር እተቘጽሩ፡ ኣርብዓን ሓደን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን
ኰኑ። 42 ወለዶ ደቂ ንፍታሌም በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ካብ ወዲ
ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ 43 እቶም ካብ ነገድ ንፍታሌም እተቘጽሩ፡ ሓምሳን
ሰለስተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ኰኑ። 44 እቶም እተቘጽሩ፡ ሙሴን ኣሮንን እቶም ዓሰርተው ክልተ
ሰባት መሳፍንቲ እስራኤልን ዝቘጸርዎም እዚኣቶም እዮም፡ ንሳቶም ሓሓደ ነናይ ማይ ቤት ኣቦታቱ
እዮም። 45 እሞ ካብ ደቂ እስራኤል በብማይ ቤት ኣቦታቶም እተቘጽሩ ዝኾኑ ኹሎም፡ ካብ ወዲ ዕስራ
ዓመት ንላዕሊ ኣብ እስራኤል ናብ ውግእ ዚወጹ ኹሎም፡ 46 እቶም እተቘጽሩ ኹሎም ሹድሽተ ሚእትን
ሰለስተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሓምሳን ኰኑ። 47 ሌዋውያን ግና ብነገድ ኣቦታቶም ምሳታቶም
ኣይተቘጽሩን። 48 እግዚኣብሄር ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛሪብዎ ነበረ እሞ፡ 49 ንነገድ ሌዊ ጥራይ
ኣይትቍጸሮም፡ ቍጽሮም ድማ ምስቶም ደቂ እስራኤል ኣይትጸብጽቦ። 50 ንሌዋውያን ግና ንስኻ ኣብ
ልዕሊ ማሕደር ምስክርን ኣብ ልዕሊ ኹሉ ኣቓሑኡን ኣብ ልዕሊ ናቱ ዘበለ ኹሉን ኣመዝዞም። ንሳቶም
ነቲ ማሕደርን ንኹሉ ኣቓሑኡን ይጹሩ። ንእኡ ኸኣ ንሳቶም የገልግሉ፡ ኣብ ዙርያ እቲ ማሕደር ድማ
ይሰፈሩ። 51 እቲ ማሕደር ምስ ዚነቅል፡ ሌዋውያን የውርድዎ። እቲ ማሕደር ምስ ዚሰፍር ከኣ፡
ሌዋውያን ይትከልዎ። ጓና እንተ ቐረበ ድማ፡ ይሙት። 52 እቶም ደቂ እስራኤል ከኣ ነፍሲ ወከፍ ኣብ
ሰሰፈሩ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ ኣብ ሰሰንደቕ ዕላማኡ መምስ ሰራዊቶም ይስፈሩ። 53 ሌዋውያን ግና ናብ
ኣኼባ ደቂ እስራኤል ቍጥዓ ምእንቲ ኸይከውንሲ፡ ኣብ ዙርያ ማሕደር ምስክር ይስፈሩ። ሌዋውያን ከኣ
ነቲ ማሕደር ምስክር ይሐልውዎ። 54 ደቂ እስራኤልን ድማ ከምኡ ገበሩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ
ዝኣዘዞ ኹሉ ገበሩ።

# ምዕራፍ 2

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 2 ደቂ እስራኤል ነፍሲ ወከፍ ኣብ ጠጥቓ
ሰንደቕ ዕላማኡን ኣብ ነናይ ማይ ቤት ኣቦታቶም ምልክትን ይስፈሩ። ኣብ መንጽር ድንኳን ምርኻብ
ብዙርያኡ ይስፈሩ። 3 እቶም ኣብ ቅድሚት ብሸነኽ ምብራቕ ዚሰፍሩ፡ ከም ሰራዊቶም ሰንደቕ ዕላማ
ሰፈር ይሁዳ ይኹን። ሹም ደቂ ይሁዳ ድማ ነኣሶን ወዲ ኣሚናዳብ እዩ። 4 ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቶምን
ሰብዓን ኣርባዕተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ነበሩ። 5 ምስኡ ገጢሞም ዚሰፍሩ ኸኣ ነገድ ይሳኮር ይኹኑ።
ሹም ደቂ ይሳኮር ድማ ናትናኤል ወዲ ጹዓር እዩ። 6 ሰራዊቱን እቶም ቍጽራቱን ሓምሳን ኣርባዕተን
ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ነበሩ። 7 ነገድ ዛብሎን ከኣ፡ ሹም ደቂ ዛብሎን ኤልያብ ወዲ ሔሎን እዩ። 8
ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቱን ሓምሳን ሾብዓተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ነበሩ። 9 እቶም ቍጹራት ሰፈር

ይሁዳ ዅሎም ከም ሰራዊቶም ሚእትን ሰማንያን ሹድሽተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ነበሩ። እዚኣቶም
ቅድሚት ይጕዕዙ። 10 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር ሮቤል፡ ከም ሰራዊቶም ብሸነኽ ደቡብ ይኹን። ሹም ደቂ
ሮቤል ከኣ ኤሊጹር ወዲ ሽደውር እዩ፡ 11 ሰራዊቱን እቶም ቝጹራቱን ኣርብዓን ሹድሽተን ሽሕን
ሓሙሽተ ሚእትን ነበሩ። 12 ምስኡ ገጢሞም ዚሰፍሩ ኸኣ ነገድ ስምኦን ይኹኑ፡ ሹም ደቂ ስምኦን ደቂ
ሽሉሚኤል ወዲ ጹሪሻዳይ እዩ። 13 ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቶምን ሓምሳን ትሽዓተን ሽሕን ሰለስተ
ሚእትን ነበሩ። 14 ነገድ ጋድ ድማ፡ ሹም ደቂ ጋድ ኤልያሳፍ ወዲ ረዑኤል እዩ። 15 ሰራዊቱን እቶም
ቍጹራቶምን ኣርብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ሓምሳን ነበሩ። 16 እቶም ቍጽራት ሰፈር
ሮቤል ኲሎም ከም ሰራዊቶም ሚእትን ሓምሳን ሓደን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ነበሩ።
እዚኣቶም ካልኣይ ሰልፊ ኾይኖም ይጕዕዙ። 17 ድሕሪኡ ድማ እቲ ድንኳን ምርኻብ ምስ ሰፈር
ሌዋውያን ኣብ መንጎ እቲ ሰፈራት ይጕዕዝ። ከምቲ ኣሰፋፍራኦም ከምኡ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ኣብ
ሰስፍራኡ መምስ ሰንደቕ ዕላማኦም ይጕዕዙ። 18 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር ኤፍሬም ከም ሰራዊቶም ብሸነኽ
ምዕራብ ይኹን። ሹም ደቂ ኤፍሬም ድማ ኤሊሻማዕ ወዲ ዓሚሁድ እዩ። 19 ሰራዊቱን እቶም
ቍጽራቶምን ኣርብዓ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ነበሩ። 20 ምስኡ ገጢሙ ኸኣ ነገድ ምናሴ፡ ሹም ደቂ
ምናሴ ድማ ገማልኤል ወዲ ጳዳህጹር እዩ፡ 21 ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቱን ሰላሳን ክልተን ሽሕን ክልተ
ሚእትን ነበሩ። 22 ድማ ነገድ ብንያም፡ ሹም ደቂ ብንያም ከኣ ኣቢዳን ወዲ ጊዴዮኒ እዩ፡ 23 ሰራዊቱን
እቶም ቍጽራቶምን ሰላሳን ሓሙሽተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ነበሩ። 24 እቶም ቍጹራት ሰፈር
ኤፍሬም ኲሎም ከም ሰራዊቶም ሚእትን ሾሞንተን ሽሕን ሓደ ሚእትን እዮም። እዚኣቶም ሳልሳይ
ሰልፊ ኾይኖም ይጕዕዙ። 25 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር ዳን ከም ሰራዊቶም ብሸነኽ ሰሜን ይኹን። ሹም ደቂ
ዳን ኣሒዔዘር ወዲ ዓሚሻዳይ እዩ፡ 26 ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቶምን ስሳን ክልተን ሽሕን ሾብዓተ
ሚእትን ነበሩ። 27 ምስኡ ገጢሞም ዚሰፍሩ ድማ ነገድ ኣሴር ይኹኑ። ሹም ደቂ ኣሴር ከኣ ጳግዔል ወዲ
ዖክራን እዩ። 28 ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቶምን ኣርብዓን ሓደን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ነበሩ። 29 ነገድ
ንፍታሌም ድማ፡ ሹም ደቂ ንፍታሌም ኣሒራዕ ወዲ ዔናን እዩ። 30 ሰራዊቱን እቶም ቍጹራቶምን
ሓምሳን ሰለስተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ነበሩ። 31 እቶም ቍጹራት ሰፈር ዳን ኲሎም ሚእትን ሓምሳን
ሾብዓተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ነበሩ። እዚኣቶም ምስ ሰንደቕ ዕላማኦም ደጀን ኰይኖም ይጕዕዙ። 32
እቶም ካብ ደቂ እስራኤል በብማይ ቤት ኣቦታቶም እተቘጽሩ እዚኣቶም እዮም። እቶም ኣብ ሰፈር
በብሰራዊቶም እተቘጽሩ ዅሎም ሹድሽተ ሚእትን ሰለስተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሓምሳን እዮም። 33
ሌዋውያን ግና ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ኣብ መንጎ ደቂ እስራኤል ኣይተቘጽሩን። 34 ደቂ
እስራኤል ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ዅሉ ገበሩ፡ ከምኡ በብሰንደቕ ዕላማኦም ሰፈሩ፡
ከምኡ ድማ ነፍሲ ወከፍ በብዓሌቶም፡ በብማይ ቤት ኣቦታቶም ተጓዓዙ።

# ምዕራፍ 3

1 በታ እግዚኣብሄር ኣብ ከረን ሲና እተዛረበላ መዓልቲ፡ ወለዶ ኣሮንን ሙሴን እዚ እዩ። 2 ስም ደቂ ኣሮን
እዚ እዩ፡ ናብዳ እቲ በዅርን ኣቢሁን ኣልኣዛርን ኢታማርን። 3 ስም እቶም እተቐብኡ ኻህናት፡ ንኽህነት
ዝቐደሶም ደቂ ኣሮን እዚ እዩ። 4 ናዳብን ኣቢሁን ከኣ ኣብ በረኻ ሲና ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጋሻ ሓዊ
ምስ ኣቕረቡ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞቱ፡ ውሉድ ከኣ ኣይነበርዎምን። ኣልኣዛርን ኢታማርን ድማ
ኣብ ቅድሚ ኣቦኦም ኣሮን ብኻህነት የገልግሉ ነበሩ። 5 እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 6

ንነገድ ሌዊ ናብዚ ኣቕርቦ፡ ምእንቲ ኼገልግልዎ ኣብ ቅድሚ ኣሮን ካህን፡ ደው ኣብሎም። [7] በቲ ዕዮ
ኣገልግሎት ማሕደር ኣብ ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ መዙን መዚ ኸሉ እቲ ኣኼባን ይሐልዉ። [8] ኲሉ
ኣቕሓ ድንኳን ምርኻብን መዚ ደቂ እስራኤልን ኣብ ዕዮ ኣገልግሎት ማሕደር ይሐልዉ። [9] ሌዋውያን
ንኣሮንን ንደቁን ሀቦም፡ ንሳቶም ካብ ደቂ እስራኤል ብመልኦም ንእኡ ተወፍዮም እዮም። [10] ንኣሮንን
ንደቁን ድማ እቲ ናይ ክህነቶም ኪሕልዉ ኣመዝዞም። ጓና እንተ ቐረበ ኸኣ ይሙት። [11] እግዚኣብሄር
ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [12] እንሆ፡ ኣነ ኣብ ክንዲ እቶም ኣብ ደቂ እስራኤል ማሕጸን ዝኸፈተ
ኹሉ በዅሪ ንሌዋውያን ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ወሲደዮም እየ እሞ፡ ሌዋውያን ንኣይ ይዅኑ። [13]
በዅሪ ዝኾነ ኹሉ ንኣይ እዩ እሞ፡ በታ ንዅሉ በዅሪ ሃገር ግብጺ ዝወቓዕኩላ መዓልቲ፡ ሰብ ኰነ፡
እንስሳ ኾነ፡ ኲሉ በዅሪ ኣብ እስራኤል፡ ንኣይ ቀዲሰዮ እየ፡ ንኣይ ይዅኑ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ። [14]
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኣብ በረኻ ሲና ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [15] ንደቂ ሌዊ በብማይ ቤት ኣቦታቶምን
በብዓሌቶምን ቊጸሮም። ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ዘሎ ኹሉ ተባዕታይ ቊጸሮም። [16] ሙሴ ድማ ከምቲ
ቓል እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ንሱ ዝኣዘዞ ገይሩ ቈጸሮም። [17] ደቂ ሌዊ በብስሞም እዚኣቶም እዮም፡ ጌርሾንን
ቃሃትን መራሪን። [18] ስም ደቂ ጌርሾን ድማ በብዓሌቶም እዚ እዩ፡ ሊብኒን ሺምዒን። [19] ደቂ ቃሃት ድማ
በብዓሌቶም፡ ኣምራምን ይጽሃርን ሔብሮንን ዑዚኤልን እዮም። [20] ደቂ መራሪ ድማ በብዓሌቶም፡
ማሕሊን ሙሺን እዮም። ዓሌታት ሌዋውያን በብማይ ቤት ኣቦታቶም እዚኣቶም እዮም። [21] ካብ ጌርሾን
ዓሌት ሊብናውያንን ዓሌታት ሺምዓውያንን እዮም፡ እዚኣቶም ዓሌታት ጌርሾናውያን እዮም። [22] ቊጽሪ
እቶም ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ዘለዉ ቊጹራት ተባዕትዮ፡ እቶም ቊጹራቶም ሾብዓተ ሽሕን ሓሙሽተ
ሚእትን እዮም። [23] ዓሌታት ጌርሾናውያን ብድሕሪ ማሕደር ብሸነኽ ምዕራብ ይሰፈሩ። [24] ሹም ማይ ቤት
ኣቦ ጌርሾናውያን ኤልያሳፍ ወዲ ላኤል እዩ። [25] ሓለዋ ደቂ ጌርሾን ኣብ ድንኳን ምርኻብ ድማ ነቲ
ማሕደርን መኸደኒኡን መደረብታኡን መጋረጃ ኣፍ ድንኳን ምርኻብን። [26] መጋረጃታት ኣጸድን መጋረጃ
ኣፍ ደገ እቲ ኣብ ዙርያ ማሕደርን መሰውእን ዘሎ ኣጸድን ኣግማድን ናይ ኲሉ ኣገልግሎት እዩ። [27] ካብ
ቃሃት ድማ ዓሌት ኣምራማውያንን ዓሌት ይጽሃራውያንን ዓሌት ሔብሮናውያንን ዓሌት ዑዚኤላውያንን
እዮም፡ እዚኣቶም ዓሌታት ቃሃታውያን እዮም። [28] እቶም ሓለዋ መቕደስ ዚሕልዉ ዝነበሩ ኻብ ወዲ
ወርሒ ንላዕሊ ዘለዉ ኹሎም ተባዕትዮ ምስ ተቘጽሩ፡ ሾሞንተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ኰኑ። [29]
ዓሌታት ደቂ ቃሃት ንማሕደር ብሸነኽ ደቡቡ ይሰፈሩ። [30] ሹም ማይ ቤት ኣቦ ዓሌታት ቃሃታውያን
ድማ ኤሊጻፋን ወዲ ዑዚኤል እዩ። [31] ሓለዋኦም ድማ ታቦታትን ሰደቓን ቀዋሚ ቐንዴልን
መሰውኢታትን ንመቕደስ ዜገልግሉሉ ኹሉ ኣቓሑን እቲ መጋረጃን ናይ ኲሉ ኣገልግሎቱን እዩ። [32]
ሹም ሹማምቲ ሌዋውያን ከኣ ኣልኣዛር ወዲ ኻህን ኣሮን እዩ። ንሱ ነቶም ሓለዋ መቕደስ ዚሕልዉ፡
ገበዞም ይዅን። [33] ካብ መራሪ፡ ዓሌት ማህላውያንን ዓሌት ሙሻውያንን እዮም፡ እዚኣቶም ዓሌታት
መራሪ እዮም። [34] ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ዘለዉ ኹሎም ተባዕትዮ ምስ ተቘጽሩ፡ እቶም ቊጽራቶም
ሹድሽተ ሽሕን ክልተ ሚእትን ኰኑ። [35] ሹም ማይ ቤት ኣቦ ዓሌታት መራሪ፡ ጹሪኤል ወዲ ኣቢሓይል
እዩ። ንሳቶም ንማሕደር ብሸነኽ ሰሜኑ ይሰፈሩ። [36] እተመዘዝዋ ሓለዋ ደቂ መራሪ ድማ ንኣልዋሕ
ማሕደርን ጋድማቱን ኣዕኑዱን ኣእጋሩን ኲሉ ኣቓሑኡን ናይ ኲሉ ኣገልግሎቱን፡ [37] ኣዕኑድ እቲ ኣጸድ
ብዙርያኡን ኣእጋሩን ሸኻውልቱን ኣግማዱን እዩ። [38] እቶም ኣብ መንጽር ማሕደር ብምብራቕ፡ ኣብ
ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ፡ ብሸነኽ ምውጻእ ጸሓይ ዚሰፍሩ፡ ሙሴን ኣሮንን ደቁን እዮም። ንሳቶም ነቲ
ሓለዋ ደቂ እስራኤል ኣብ መቕደስ ዚሕሎ ይሕልዉ ነበሩ። ጓና ናብኡ እንተ ቐረበ ኸኣ ይሙት። [39]
እቶም እተቘጽሩ ኹሎም ሌዋውያን፡ ሙሴን ኣሮንን ብትእዛዝ እግዚኣብሄር በብዓሌቶም ዝቘጸርዎም፡

ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ዘለዉ ኹሎም ተባዕትዮ ዕስራን ክልተን ሽሕ ኰኑ። 40 እግዚኣብሄር ድማ
ንሙሴ በሎ፡ ኲሎም ተባዕትዮ በዅሪ ደቂ እስራኤል ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ንዘለዉ ቕጸር፡ ቍጽሪ
ስሞም ድማ ውሰድ። 41 ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ንሌዋውያን ኣብ ክንዲ ኹሎም በዅሪ ኣብ ደቂ እስራኤል፡
ማል ሌዋውያን ድማ ኣብ ክንዲ በዅሪ ማል ደቂ እስራኤል ንኣይ ውሰዶም። 42 ሙሴ ድማ፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር ዝአዘዞ ንዅሉ በዅሪ ኣብ ደቂ እስራኤል ቈጸረ። 43 ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ዘሎ ዅሉ
በዅሪ ተባዕታይ በብስሞም እተቘጽሩ፡ ቍጹራቶም ዕስራን ክልተን ሽሕን ክልተ ሚእትን ሰብዓን
ሰለስተን ኰኑ። 44 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 45 ንሌዋውያን ኣብ ክንዲ ዅሉ በዅሪ
ኣብ ደቂ እስራኤል፡ ማል ሌዋውያን ድማ ኣብ ክንዲ ማሎም ውሰድ፡ ሌዋውያን ናተይ ይኹኑ። ኣነ
እግዚብሄር እየ። 46 በጃ እቶም ክልተ ሚእትን ሰብዓን ሰለስተን በዅሪ ደቂ እስራኤል፡ ካብ ቍጽሪ
ሌዋውያን ዝሐለፉ ኸኣ፡ 47 ነንርእሲ ሓሙሽተ ሲቃል ውሰድ፡ ብሲቃል መቕደስ ውሰድ፡ ሲቃል ዕስራ
ጌራ እዩ። 48 ናይቶም ሕልፊ ዝዀኑ ኸኣ ገንዘብ በጃ ንኣሮንን ንደቁን ሀቦም። 49 ሙሴ ድማ ካብቶም
ብሌዋውያን እተበጀዎም ሕልፊ ዝዀኑ፡ ገንዘብ በጃ ወሰደ። 50 ካብ በዅርታት ደቂ እስራኤል ብሲቃል
መቕደስ ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ሓሙሽተን ሲቃል ገንዘብ ወሰደ። 51 ሙሴ ድማ ከምቲ ቓል
እግዚኣብሄር፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ እቲ ገንዘብ በጃ ንኣሮንን ንደቁን ሀቦም።

# ምዕራፍ 4

1 እግዚብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 2-3 ካብ ማእከል ደቂ ሌዊ ንደቂ ቃሃት
በብዓሌቶምን በብማይ ቤት ኣቦታቶምን ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ ክሳዕ ወዲ ሓምሳ ዓመት ናብ
ዕዮ ኺኣትዉ ዚኽእሉ ኹሎም፡ ኣብ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ ኪገልግሉ። 4 ኣገልግሎት ደቂ ቃሃት ኣብ
ድንኳን ምርኻብ ብናይ ቅድስተ ቅዱሳን ነገር እዚ እዩ፡ 5 እቲ ሰፈር ምስ ዚነቅል፡ ኣሮንን ደቁን ኣትዮም፡
ነቲ ዚጋርድ መጋረጃ የውርድዎ፡ ነቲ ታቦት ምስክር ብእኡ ይኸድንዎ፡ 6 ኣብ ልዕሊኡ ድማ ቈርበት ታሃስ
ይግበሩሉ፡ ኲለንትናኡ ሰማያዊ ዝዀነ ዓለባ ኸአ ይዘርግሑሉ፡ መሰላታቱውን የእትዉሉ። 7 ኣብ ልዕሊ
ሰደቓ እንጌራ ምርኣይ ድማ ሰማያዊ ዓለባ ይዘርግሑሉ፡ ኣብኡ ኸኣ ሒላባትን ጭሔሎታትን ጽውኣትን
እቲ ንመስዋእቲ መስተ ዚኸውን ኲስኲስትታትውን ይስርዑ፡ እቲ ናይ ውርትግ እንጌራ ኸኣ ኣብ
ልዕሊኡ ይኹን። 8 ኣብ ልዕሊ እዚ ድማ ግምጃ ይዘርግሑሉ፡ ንእኡ ኸኣ ብቈርበት ታሃስ እተገብረ
መኸደኒ ገይሮም ይኸደንዎ፡ እቲ መሰላታቱውን የእትዉሉ። 9 ሰማያዊ ዓለባ ወሲዶም ከኣ፡ ነቲ ቐዋሚ
ቐንዴልን ቀልዒ ቐነዲሉን መሳቐዪኡን መዋህለል ርስሓቱን እቲ ዅሉ ዜገልግሉሉ፡ ናይ ዘይቲ ኣቓሑኡ
ኸኣ ይኸደኑ። 10 ምስ ኲሉ ኣቓሑኡ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓደ መኸደኒ ናይ ታሃስ ቈርበት የንብርዎ፡ ኣብ
መሰላ ኸኣ ይግበርዎ። 11 ኣብ ልዕሊ እቲ መሰውኢ ወርቂውን ሰማያዊ ዓለባ ይዘርግሑ፡ መኸደኒ ድማ
ብቈርበት ታሃስ ይኸደንዎ፡ መሰላታቱ ኸኣ የእትዉሉ። 12 ኣብ ቤተ መቕደስ ዜገልግሉሉ ዅሉ ኣቓሑ
ኣገልግሎት ወሲዶም ድማ ኣብ ሰማያዊ ዓለባ ይግበርዎ፡ መኸደኒ ኸኣ ብቈርበት ታሃስ ይኸደንዎ፡ ኣብ
መሰላውን ይግበርዎ። 13 ነቲ ሓመኹስቱ ድማ ካብ መሰውኢ ይጕሐፍዎ፡ ቀይሕ ዓለባ ኸኣ
ይዘርግሑሉ። 14 እቲ ዜገልግሉሉ ኹሉ ኣቓሑኡ ኸኣ፡ ጽንሃታትን ሻኳታትን መጽሓርያታትን
ጭሔሎታትን፡ ኲሉ ኣቓሑ መሰውኢ ኣብ ልዕሊኡ ይግበርዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ መኸደኒ ቈርበት
ታሃስ ይዘርግሑሉ፡ መሰላታቱ ኸኣ የእትዉሉ። 15 ኣሮንን ደቁን ምኸዳን መቕደስን ኲሉ ኣቓሑ
መቕደስን ምስ ፈጸሙ፡ እቲ ሰፈር ድማ ምስ ዚነቅል፡ ድሕርዚ ደቂ ቃሃት ኪጾሩ ይምጽኡ። ከይሞቱ

ግና፡ ነቲ ቅዱስ ነገር ኣይተንከይዎ። ናይ ድንኳን ምርኻብ ጾር ደቂ ቃሃት እዚ እዩ። 16 መዚ ኣልኣዛር፡
ወዲ ኻህን ኣሮን፡ ኣብቲ ንቐዋሚ ቐንዴል ዚኸውን ዘይትን ኣብቲ ምኡዝ ዕጣንን ኣብቲ ናይ ወርትግ
መስዋእቲ ብልዕን ዘይቲ ቕብኣትን፡ ኣብ ብዘሎ ማሕደርን ኣብኡ ዘሎ ዅሉን፡ ኣብ መቕደስን ኣብ
ኣቓሑኡን ይኹን። 17 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 18 ነገድ ዓሌታት
ቃሃታውያን ካብ መንጎ ሌዋውያን ኣይተጥፍእዎም። 19 ናብ ናይ ቅድስተ ቅዱሳን ነገር ምስ ዚቐርቡ፡
ከይሞቱ፡ ብህይወት ደኣ ኺነብሩ፡ እዚ ግበረሎም፡ ኣሮንን ደቁን ኣትዮም ንነፍሲ ወከፎም
ኣኣገልግሎቱን ጸጾሩን የመልከትዎም። 20 ግናኸ ከይሞቱ፡ ነቲ ቅዱስ ነገር ቅጽበት ዓይኒ እኳ እንተ ዀነ፡
ንምርኣዩ ኣይእተዉ። 21 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 22 ደቂ ጌርሾን ከኣ በብማይ ቤት
ኣቦታቶምን በብዓሌቶምን ቍጽሮም ውሰድ። 23 ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ ኽሳዕ ወዲ ሓምሳ
ዓመት፡ ንዕዮ ዚበቕዑ፡ ኣብ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ ዚኽእሉ ዅሎም ቍጸሮም። 24 እቲ
ኣገልግሎት ዓሌታት ጌርሾናውያን ንምግልጋልን ንምጽዋርን እዚ እዩ፡ 25 እቲ ዓለባታት ማሕደርን ድንኳን
ምርኻብን መኸደኒኡን፡ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዚድረብ ቆርበት ታሃስን፡ እቲ መጋረጃ ኣፍ ድንኳን
ምርኻብን፡ 26 እቲ መጋረጃታት ኣጸድን መጋረጃ ኣፍ ደገ እቲ ኣብ ዙርያ ማሕደርን መሰውኢን ዘሎ
ኣጸድን ኣግማዱን ኲሉ ኣቓሑ ኣገልግሎቶምን ይጹሩ፡ ናይቲ ብኣታቶም ዚግበር ኲሉ ብእኡ የገልግሉ።
27 ናይ ደቂ ጌርሾናውያን ኲሉ ጾርን ኲሉ ዕዮኦምን ብዅሉ ኣገልግሎቶም ከምቲ ትእዛዝ ኣሮንን ደቁን
ይኹን። ብጾሮም ዘበለ ዅሉ ኺሐልዩ ኣመዝዝዎም። 28 ኣገልግሎት ዓሌታት ደቂ ጌርሾናውያን ኣብ
ድንኳን ምርኻብ እዚ እዩ፡ እቲ ሓለዋኦም ድማ ኣብ ትሕቲ ኢድ ኢታማር ወዲ ኻህን ኣሮን ይኹን። 29
ንደቂ መራሪ ኸኣ በብዓሌቶም በብማይ ቤት ኣቦታቶም ቍጸሮም። 30 ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ
ኽሳዕ ወዲ ሓምሳ ዓመት ዘለዉ፡ ኣብ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ ንዚኣትዉ ዅሎም ቍጸሮም። 31
ሓለዋ ጾሮም ብዅሉ ኣገልግሎቶም ኣብ ድንኳን ምርኻብ እዚ እዩ፡ ኣልዋሕ ማሕደርን ጋድማቱን
ኣዕኑዱን ኣእጋሩን፡ 32 ኣዕኑድ እቲ ብዙርያ ዘሎ ኣጸድን ኣእጋሩን ሸካውልቱን ኣግማዱን ስም ኲሉ
ኣቓሑኡን ምስቲ ዚዐዩሉ ዘበለ ዅሉን፡ እቲ ዚሕልውዎን ዘጾርዎን ኣቓሑ በብስሙ ቍጸርዎ። 33 እቲ
ኣገልግሎት ዓሌታት ደቂ መራሪ እዚ እዩ። ኲሉ ኣገልግሎቶም ኣብ ድንኳን ምርኻብ ኣብ ትሕቲ ኢድ
ኢታማር ወዲ ኻህን ኣሮን ይኹን። 34-35 ሙሴን ኣሮንን እቶም ሹማምቲ እቲ ኣኼባን ድማ ንደቂ
ቃሃታውያን በብዓሌቶምን በብማይ ቤት ኣቦታቶምን፡ ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ ኽሳዕ ወዲ ሓምሳ
ዓመት ንዘለዉ፡ ኣብ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ ንዚኣትዉ ዅሎም ቈጸርዎም። 36 እቶም ካባታቶም
በብዓሌቶም እተቘጽሩ ኽልተ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ሓምሳን ኰኑ። 37 እቶም ካብ ዓሌታት ቃሃታውያን
እተቘጽሩ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ዜገልግሉ ዅሎም፡ ሙሴን ኣሮንን ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ
ዝቘጸርዎም እዚኣቶም እዮም። 38 እቶም ካብ ደቂ ጌርሾን በብዓሌቶምን በብማይ ቤት ኣቦታቶምን
እተቘጽሩ ድማ፡ 39 ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ ኽሳዕ ወዲ ሓምሳ ዓመት ዘለዉ፡ ኣብ ዕዮ ድንኳን
ምርኻብ ኬገልግሉ ዚኣትዉ ዅሎም፡ 40 እቶም በብዓሌቶምን በብማይ ቤት ኣቦታቶምን ካባታቶም
እተቘጽሩ፡ ክልተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ሰላሳን ኰኑ። 41 እቶም ካብ ዓሌታት ደቂ ጌርሾን እተቘጽሩ
ኣብ ድንኳን ምርኻብ ዜገልግሉ ዅሎም ሙሴን ኣሮንን ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ዝቘጸርዎም እዚኣቶም
እዮም። 42 እቶም ካብ ዓሌታት ደቂ መራሪ በብዓሌቶምን በብማይ ቤት ኣቦታቶምን እተቘጽሩ ድማ፡ 43
ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ ኽሳዕ ወዲ ሓምሳ ዓመት ዘለዉ፡ ኣብ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ
ዚኣትዉ ዅሎም፡ 44 እቶም በብዓሌቶም ካባታቶም እተቘጽሩ ሰለስተ ሽሕን ክልተ ሚእትን ኰኑ። 45
እቶም ካብ ዓሌታት ደቂ መራሪ እተቘጽሩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ዝኣዘዞ፡ ሙሴን ኣሮንን

ዝቈጸርዎም፡ እዚኣቶም እዮም። 46 እቶም እተቘጽሩ ዅሎም ሌዋውያን፡ ሙሴን ኣሮንን እቶም ሹማምቲ
እስራኤልን በብዓሌቶምን በብማይ ቤት ኣቦታቶምን ዝቈጸርዎም፡ 47 ካብ ወዲ ሰላሳ ዓመት ንላዕሊ ኽሳዕ
ወዲ ሓምሳ ዓመት ዘለዉ፡ ኣብቲ ዚዕየ ዕዮ ኺገልግሉ፡ ድማ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ብምጽዋር ኬገልግሉ
ዚኣትዉ ዅሎም፡ 48 እቶም ካባታቶም እተቘጽሩ ሾሞንተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሰማንያን ኰኑ። 49
ከም ትእዛዝ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ነፍሲ ወከፍ ነንኣገልግሎቱን ነንጾሩን ተቘጽሩ፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ተቘጽሩ።

# ምዕራፍ 5

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንዅሉ ለምጻምን ንዅሉ ጀጋልን ብሬሳ ንዝረኸሰ
ዅሉን ካብ ሰፈር ኬውጽኡ ንደቂ እስራኤል ኣዝዞም። 3 ተባዕታይ ኰነ ኣንስተይቲ ኣውጽእዎም፡ ነቲ ኣብ
ማእከሉ ዝሐድሮ ዘሎኹ ሰፈሮም ከየርክሱ፡ ናብ ወጻኢ ሰፈር ኣውጽእዎም። 4 ደቂ እስራኤል ድማ
ከምኡ ገበሩ፡ ናብ ወጻኢ ሰፈር ኣውጽእዎም፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝበሎ፡ ደቂ እስራኤል ከምኡ
ገበሩ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 6 ንደቂ እስራኤል በሎም፡ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ፡
ሰብ ካብ ዚገብሮ ሓጢኣት ኩሉ ብምግባሩ ንእግዚኣብሄር ምስ ዚዕግብ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ በዳሊት
ኰነት፡ 7 ሽዑ በቲ ዝገበርዎ ሓጢኣቶም ይናዘዙ፡ እቲ ዝበደሎ ብመልኡ ይምለሶ ኣብ ልዕሊኡ ድማ
ሕምሻኡ ይወስኽ፡ ነቲ ዝበደሎ ኺኣ ይሀቦ። 8 እቲ እተበደለ ነቲ ዚምለሶ ገንዘብ ዚወርሶ ዜብሉ እንተ
ዀነ፡ እቲ ዚምለስ ገንዘብ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ብጀካ እቲ ንሱ ዚዕረቐሉ ድዑል መተዓረቒ ንኻህን
ይዅን። 9 ኩሉ ዚለዐል መስዋእቲ ደቂ እስራኤል ካብ ኩሉ ቅዱስ ነገር ናብ ካህን ዜምጽእዎ ንእኡ
ይዅን። 10 ዝዀነ ሰብ ዝቐደሶ ነገር ንእኡ ይዅን፡ ሰብ ንኻህን ዚህቦ ዘበለ ንእኡ ይዅን። 11
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 12 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ንሰብኣይ
ሰበይቱ እንተ ጠለመቶ፡ ዓገብ ከኣ እንተ ዐገበቶ፡ 13 ካልእ ሰብኣይ ምስኣ ደቂሱ ድማ ብስጋ እንተ
ተራኺባ፡ እዚ ኸኣ ካብ ዓይኒ ሰብኣያ እንተ ተኸወለ፡ ብሕቡእ እንተ ረኺሰት፡ ምስክር ድማ እንተ
ዘይተረኽባ፡ ኣብቲ ግብሪውን እንተ ዘይተታሕዘት፡ 14 መንፈስ ቅንኣት ድማ እንተ መጾ፡ ንሳ ብምርካሳ
ኸኣ ብሰበይቱ እንተ ቐንኤ፡ ወይ ንሳ ኽይረኸሰት ከላ፡ መንፈስ ቅንኣት እንተ መጾ፡ ብሰበይቱ ድማ
እንተ ቐንኤ፡ 15 ሽዑ እቲ ሰብኣይ ነታ ሰበይቱ ናብ ካህን የምጽኣያ፡ ብዛዕባኣ ኸኣ ዓስራይ ኢድ ኤፋ
ሓርጭ ስገም ንመስዋእቲ የምጽእ። ናይ ቅንኣት መስዋእቲ ብልዒ፡ ክፍኣት ዜዘክር መስዋእቲ ብልዒ እዩ
እሞ፡ ዘይቲ ኣይከዐዎ፡ ዕጣንውን ኣይገበሮ። 16 እቲ ኻህን ድማ ኣቐሪቡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው
የብላ። 17 እቲ ኻህን ድማ ብኣቕሓ መሬት ገይሩ ቅዱስ ማይ ይውሰድ፡ ካብቲ ኣብ ምድርቤት ማሕደር
ዘሎ ሓመድ ወሲዱ ኸኣ ኣብቲ ማይ ይግበር። 18 እቲ ኻህን ነታ ሰበይቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው
ኣቢሉ ድማ ርእሲ እታ ሰበይቲ ይቐላዕ፡ ነቲ መስዋእቲ ብልዒ ምዝካር፡ ንሱ ኸኣ ናይ ቅንኣት መስዋእቲ
ብልዒ፡ ኣብ ኢዳ የንብሮ። እቲ ኻህን ከኣ ነቲ መርገም ዜምጽእ መሪር ማይ ኣብ ኢዱ ይሐዝ። 19 እቲ
ኻህን ድማ የምሕላ፡ ነታ ሰበይቲ ኸኣ ይበላ፡ ሰብኣይ እንተ ዘይደቀስኪ፡ ኣብ ትሕቲ ሰብኣይኪ ኸሎኺ
ጠሊምክዮ ዘይረኸስኪ እንት ኰንኪ፡ እዚ መርገም ዜምጽእ መሪር ማይ ኣይጒዳእኪ። 20 ኣብ ትሕቲ
ሰብኣይኪ ኸሎኺ ጠሊምክዮ ረኺስኪ እንተ ኰንኪ ግና፡ ብጀካ ሰብኣይኪ ኻልእ እንተ ደቂሱኪ፡ 21
ሽዑ እቲ ኻህን ነታ ሰበይቲ ብማሕላ መርገም የምሕላ፡ እቲ ኻህን ድማ ነታ ሰበይቲ፡ እግዚኣብሄር
ንሰለፍኪ ብምውዳቑ፡ ንኸብድኺ ድማ ብምንፋሑ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል ህዝብኺ መራገምን

መምሓልን ይግበርኪ፡ 22 ንኸብድኺ ኺነፍሕ ንሰለፍኺ ኸኣ ኬውድቕ፡ እዚ መርገም ዜምጽእ ማይ እዚ
ናብ ውሽጥኺ ይእቶ፡ ይበላ። እታ ሰበይቲ ድማ፡ ኣሜን ኣሜን፡ ትበል። 23 እቲ ኻህን ከኣ ነዚ መርገም
እዚ ኣብ መጽሓፍ ይጽሓፎ፡ በቲ መሪር ማይ ከኣ ይደምስሶ። 24 ነታ ሰበይቲ ኸኣ እቲ መርገም ዜምጽእ
መሪር ማይ የስትያ፡ እቲ መርገም ዜምጽእ ማይ ድማ ይኣትዋ እሞ ኪመራ እዩ። 25 እቲ ኻህን ድማ ነቲ
ናይ ቅንኣት መስዋእቲ ብልዒ ኻብ ኢድ እታ ሰበይቲ ይውሰዶ፡ ነቲ መስዋኣቲ ብልዒ ኸኣ ኣብ ቅድሚ
እግዚብሄር ይወዝውዞ፡ ናብ መሰውኢውን የቕርቦ። 26 እቲ ኻህን ድማ ካብቲ መስዋእቲ ብልዒ
ንመዘከርታ ምሉእ ኢድ ወሲዱ ኣብ መሰውኢ የሕርሮ፡ ድሕሪ እቲ ነታ ሰበይቲ እቲ ማይ የስትያ። 27
ነቲ ማይ ምስ ኣስተያ ኸኣ፡ ኪኸውን እዩ፡ ንሳ ረኺሳ፡ ንሰብኣያ ድማ ዓገብ ዐጊባቶ እንተ ኾይና፡ እቲ
መርገም ዜምጽእ ማይ ኣትዩ ኺመራ እዩ፡ ከብዳ ኸኣ ይንፋሕ፡ ሰለፋውን ይወድቕ፡ እታ ሰበይቲ ኣብ
ማእከል ህዝባ መራገሚ ትኸውን። 28 እታ ሰበይቲ ዘይረኸሰት፡ ንሳ ንጽህቲ እንተ ኾይና ኸኣ፡ ሓራ
ውጽእቲ እያ፡ ዘርኢ ኸኣ ትረክብ። 29 ሕጊ ቕንኣት እዚ እዩ፡ ሰበይቲ ኣብ ትሕቲ ሰብኣያ ኸላ ጠሊማቶ
ምስ እትረክስ፡ 30 ወይ ንሰብኣያ መንፈስ ቅንኣት እንተ መጾ፡ ብሰበይቱ ኸኣ እንተ ቐንኤ፡ ሽው ነታ
ሰበይቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው የብላ፡ እቲ ኻህን ድማ እዚ ሕጊዚ ብዘሎ ይግበረላ። 31 እቲ
ሰብኣይ ከኣ ካብ ክፍኣት ንጹህ ይኸውን፡ እታ ሰበይቲ እቲኣ ድማ ክፍኣታ ትጸውር፡

# ምዕራፍ 6

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ሰብኣይ ኰነ
ወይ ሰበይቲ ናዝራዊ ኪኸውን ንእግዚኣብሄር ኪፍለ እንተ ተመባጽዔ፡ 3 ካብ ወይንን ካብ ዜስክር
መስተን ይፈለ፡ ዝመጸጸ ወይኒ ኾነ ወይ ዝመጸጸ ዜስክር መስተ ኣይስተ፡ ገለ ኻብ ወይኒ እተጸምቈ
ኣይስተ፡ ካብ ወይኒ ድማ ብሰዊቱ ኾነ ወይ ብንቑጹ ኣይብላዕ። 4 ብኹለን መዓልትታት ናዝራዊነቱ
ፍሬኡ ኾነ ገፊሉ ኾነ፡ ገለ ኻብ ኦም ወይኒ ኣይብላዕ። 5 ብኹለን መዓልታት መብጽዓ ናዝራዊነቱ መላጸ
ናብ ርእሱ ኣይሕለፍ፡ እተን ንእግዚኣብሄር እተፈልየለን መዓልትታት ክሳዕ ዚመልኣ፡ ቅዱስ ይኹን፡
ጸጕሪ ርእሱ ኸኣ የንውሕ። 6 በተን ንእግዚኣብሄር እተፈልየለን ኵለን መዓልትታት ናብ ምዉት ሰብ
ኣይእቶ። 7 ናዝራዊነቱ ንኣምላኽ ኣብ ርእሱ እዩ እሞ፡ በቦኡን በዲኡን ብሓዉን ብሓብቱን ብሞቶም
ኣይርከስ። 8 ብኹለን መዓልትታት ናዝራዊነቱ ንሱ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ እዩ። 9 ብድንገት ኣብ ጥቓኡ
ሰብ እንተ ሞተ እሞ ርእሲ ናዝራዊነቱ እንተረኸሰ፡ በታ ዚነጽሃላ መዓልቲ ርእሱ ይላጺ፡ ብሳብዐይቲ
መዓልቲ ይላጸዮ። 10 ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ክልተ ባሬቶ ወይ ክልተ ናኣሽቱ ርግቢ ናብ ኣፍ
ድንኳን ምርኻብ ናብ ካህን የምጽእ። 11 እቲ ኻህን ድማ እታ ሓንቲ ንመስዋእቲ ሓጢኣት እታ ኻልኣይቲ
ኸኣ ንዚሐርር መስዋእቲ ይሰውእ። ካብቲ በቲ ምዉት ዝገበሮ ሓጢኣት የተዐርቆ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ
ኸኣ ርእሱ ይቐድስ። 12 መዓልትታት ናዝራዊነቱ ንእግዚኣብሄር ይፍለ፡ ንመስዋእቲ በደል ድማ ገንሸል
ዓመት የምጽእ። እቲ ናዝራዊነቱ ስለ ዝረኸሰ፡ እተን ቀዳሞት መዓልትታት ከንቱ ኾና። 13 ሕጊ ናዝራዊ
ኸኣ እዚ እዩ፡ መዓልትታት ናዝራዊነቱ ምስ መልኣ፡ ናብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ የምጽእዎ። 14-15
መስዋእቱ ድማ ንዚሐርር መስዋእቲ ጕደሎ ዜብሉ ገንሸል ዓመት፡ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ጕደሎ
ዜብላ ሽበን ዓመት፡ ንመስዋእቲ ምስጋናውን ጕደሎ ዜብሉ ድዑል፡ ሓደ መሶብ ካብ ድኹም ሓርጭ
ብዘይቲ እተቘምጥዔ፡ ዘይበኹዔ ቕጫታትን፡ ዘይቲ እተለኽየ ዘይበኹዔ ረቀቕቲ ቕጫታትን ምስኡ ኸኣ
መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ መስተን ንእግዚኣብሄር የቕርበሉ። 16 እቲ ኻህን ከኣ ናብ ቅድሚ እግዚብሄር

የቕርቦ፡ ንመስዋእቲ ሓጢኣቱን ንዚሓርር መስዋእቱን ይሰውኣዮ። [17] ነቲ ድዑል ድማ ምስቲ ዘይበኾዔ
መሶብ እንጌራ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ምስጋና ይሰውኣዮ። እቲ ኻህን መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ
መስተን ከኣ ይሰውእ። [18] እቲ ናዝራዊ ድማ ነቲ ርእሲ ናዝራዊነቱ ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ይላጽዮ።
ነቲ ጸጕሪ ርእሲ ናዝራዊነቱ ወሲዱ ኸኣ ናብቲ ትሕቲ መስዋእቲ ምስጋና ዘሎ ሓዊ የእትዎ። [19] ነቲ
ናዝራዊነቱ ምስ ላጸየ ድማ፡ እቲ ኻህን ነታ ዝበሰለት ኢድ ድዑል ይውሰድ። ካብቲ መሶብ ከኣ ሓደ
ዘይበኾዔ ቕጫን ሓደ ዘይበኾዔ ረቂቕ ቅጫን ገይሩ ኣብ ኢድ እቲ ናዝራዊ የንብር። [20] እቲ ኻህን ድማ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንመስዋእቲ ምውዝዋዝ ይወዝውዞ። እዚ ምስቲ ዚውዝወዝ ሓኸለን ዚለዐል
እግርን ነቲ ኻህን ይቀደስ። ድሕርዚ እቲ ናዝራዊ ወይኒ ይስተ። [21] ብጀካ እቲ ኣብ ኢዱ ዝረኸቦ፡ ሕጊ
እቲ እተመባጽዔ ናዝራውን ናይ ናዝራዊነት መስዋእቱ ንእግዚኣብሄርን እዚ እዩ። ከምቲ ሕጊ
ናዝራዊነቱ፡ ከምቲ እተመባጽዖ መብጽዓ ኸምኡ ይግበር። [22] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፡ [23] ንኣሮንን ንደቁን ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልኩም ባርኽዎም፡ [24]
እግዚኣብሄር ይባርኽካን ይሐሉኻን። [25] እግዚኣብሄር ገጹ የብርሃልካ፡ ጸጋ ኸኣ ይሀብካ። [26] እግዚኣብሄር
ገጹ ይምለሰልካ፡ ሰላም ድማ ይሀብካ። [27] ከምዚ ገይሮም ስመይ ኣብ ደቂ እስራኤል የንብሩ፡ ኣነ ከኣ
ከባርኾም እየ።

# ምዕራፍ 7

[1] ኰነ ኸኣ፡ ሙሴ በታ ነቲ ማሕደር ተኺሉ ዝፈጸመላ መዓልቲ ንእኡን ንዅሉ ኣቓሑኡን ምስ ቀብኦን
ምስ ቀደሶን፡ ነቲ መሰውእን ንዅሉ ኣቓሑኡ ድማ ምስ ቀብኦን ምስ ቀደሶን፡ [2] እቶም ሹማምቲ
እስራኤል፡ ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ንሳቶም ሹማምቲ እቶም ነገዳት፡ ንሳቶም ኣብ ልዕሊ እቶም
ቍጹራት ዝነበሩ፡ ህያብ ኣቕረቡ፡ [3] ህያቦም ሹድሽተ ኽዱናት ሰረገላን ዓሰርተው ክልተ ብዕራይን ናብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምጽኡ፡ ንኽልተ ሹም ሓደ ሰረገላ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሹም ሓደ ብዕራይ፡ ናብ
ቅድሚ ማሕደር ኣቕረብዎ። [4] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [5] ኣብ ኣገልግሎት ድንኳን
ምርኻብ ንመዐየዪ ኪኸውን ካባታቶም ውሰዶ፡ ንሱ ኸኣ ንሌዋውያን ንነፍሲ ወከፍ ከከምቲ ኣገልግሎቱ
ሀቦም። [6] ሙሴ ድማ እቲ ሰረገላታትን እቶም ኣብዑርን ወሲዱ ንሌዋውያን ሀቦም። [7] ንደቂ ጌርሾን ከም
መጠን ኣገልግሎቶም ክልተ ሰረገላን ኣርባዕተ ብዕራይን ሀቦም። [8] ንደቂ መራሪ ኸኣ ከም መጠን
ኣገልግሎቶም ብትሕቲ ኢድ ኢታማር ወዲ ኻህን ኣሮን፡ ኣርባዕተ ሰረገላን ሾሞንተ ብዕራይን ሀቦም። [9]
ንደቂ ቃሃት ግና፡ እቲ ኣገልግሎቶም ኣብ መቕደስ ኣብ መንኩቦም ብምጽዋር ነበረ እሞ፡ ገለ
ኣይሀቦምን። [10] እቶም ሹማምቲ ኸኣ ንምቕዳስ እቲ መሰውኢ በታ እተቐብኣላ መዓልቲ ህያብ ኣቕረቡ፡
እቶም ሹማምቲ ቍርባኖም ናብ ቅድሚ መሰውኢ ኣቕረቡ። [11] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እቲ ናይ
ምቕዳስ መሰውኢ ቍርባኖም ሓደ ሹም ንመዓልቲ፡ ሓደ ሹም ንመዓልቲ የቕርቡ፡ በሎ። [12] እቲ
ብቐዳመይቲ መዓልቲ ቍርባኑ ዘቕረበ፡ ነኣሶን ወዲ ኣሚናዳብ፡ ካብ ነገድ ይሁዳ እዩ። [13] ብሲቃል
መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡
ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቐምጥዔ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ [14] ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ
ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ [15] ንዚሓርር መስዋእቲ ኸኣ ሓደ ዝራብዕን ሓደ ድዑልን ሓደ ገንሸል
ዓመትን። [16] ንመስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ሓደ ድቤላ፡ [17] ንመስዋእቲ ምስጋናውን ክልተ ብዕራይ፡
ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ነኣሶን ወዲ ኣሚናዳብ እዚ እዩ።

18 ኣብ ካልኣይቲ መዓልቲ ናትናኤል ወዲ ጹዓር፡ ሹም ይሳኮር፡ ኣቕረበ። 19 ብሲቃል መቕደስ ሚእትን
ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ
ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቐምጥዔ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ 20 ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ
ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ 21 ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕን ሓደ ድዑልን ሓደ ገንሸል መዓልትን፡ 22
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ክእ ሓደ ድቤላ፡ 23 ንመስዋእቲ ምስጋና ድማ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡
ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ናትናኤል ወዲ ጹዓር እዚ እዩ። 24 ኣብ ሳልሰይቲ
መዓልቲ ኤልያብ ወዲ ሔሎን፡ ሹም ደቂ ዛብሎን፡ 25 ቀኑርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል
ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ
ብዘይቲ እተቐምጥዔ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ 26 ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡
27 ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት። 28 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ
ድቤላ፡ 29 ንመስዋእቲ ምስጋና ድማ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ
ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ኤልያብ ወዲ ሔሎን እዚ እዩ። 30 ኣብ ራብዐይቲ መዓልቲ ኤሊጹር ወዲ
ሽደውር፡ ሹም ደቂ ሮቤል፡ 31 ቀኑርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ
ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቐምጥዔ
ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ 32 ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ 33 ንዚሐርር
መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ 34 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ 35
ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡
ቍርባን ኤሊጹር ወዲ ሽደውር እዚ እዩ። 36 ኣብ ሓምሰይቲ መዓልቲ ሸሉሚኤል ወዲ ጹሪሻይዳ፡ ሹም
ደቂ ስምኣን፡ 37 ቁርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ
ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ዘይቲ እተቐምጥዔ ድኹም ሓርጭ
ዝመልኤ፡ 38 ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ 39 ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ
ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ 40 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ 41 ንመስዋእቲ ምስጋና
ኸኣ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት። ቍርባን ሸሉሚኤል
ወዲ ጹሪሻዳይ እዚ እዩ። 42 ኣብ ሳድሰይቲ መዓልቲ ኤልያሳፍ ወዲ ድዑኤል፡ ሹም ደቂ ጋድ፡ 43 ቀኑርባኑ
ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ
ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቐምጥዔ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ 44 ዓሰርተ
ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ 45 ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡
ሓደ ገንሸል ዓመት፡ 46 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ 47 ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ኽልተ ብዕራይ፡
ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቀኑርባን ኤልያሳፍ ወዲ ድዑኤል እዚ
እዩ። 48 ኣብ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኤሊሻማዕ ወዲ ዓሚሁድ፡ ሹም ደቂ ኤፍሬም፡ 49 ቀኑርባኑ ብሲቃል
መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኒ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡
ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቐምጥዔ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ 50 ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ
ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ 51 ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል
ዓመት፡ 52 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ 53 ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ
ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቀኑርባን ኤሊሻማዕ ወዲ ዓሚሁድ እዚ እዩ። 54 ኣብ
ሳምነይቲ መዓልቲ ገማልኤል ወዲ ጴዳህጹር፡ ሹም ደቂ ምናሴ፡ 55 ቀኑርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን
ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ

ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቘምጥዎ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ [56] ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ [57] ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ [58] ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ [59] ንመስዋእቲ ምስጋና ድማ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ገማልኤል ወዲ ጳዳህጹር እዚ እዩ። [60] ኣብ ታስዐይቲ መዓልቲ ኣቢዳን ወዲ ጊድዖኒ፡ ሹም ደቂ ብንያም፡ [61] ቍርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቘምጥዎ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ። [62] ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ [63] ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ [64] ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ [65] ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ክልተ ብዕራይ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ኣቢዳን ወዲ ጊድዖኒ እዚ እዩ። [66] ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ ኣሒዔዘር ወዲ ዓሚሻዳይ፡ ሹም ደቂ ዳን፡ [67] ቍርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቘምጥዎ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ [68] ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ [69] ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ [70] ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ [71] ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ኣሒዔዘር ወዲ ዓሚሻዳይ እዚ እዩ። [72] ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ መዓልቲ ጳግዒኤል ወዲ ዖክራን፡ ሹም ደቂ ኣሴር፡ [73] ቍርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቘምጥዎ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ። [74] ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ [75] ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ [76] ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ [77] ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ጳግዒኤል ወዲ ዖክራን እዚ እዩ። [78] ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ መዓልቲ ኣሒራዕ ወዲ ዔናን፡ ሹም ደቂ ንፍታሌም፡ [79] ቍርባኑ ብሲቃል መቕደስ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጻሕሊ ብሩር፡ ሰብዓ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጭሕሎ ብሩር፡ ክልቲኡ ንመስዋእቲ ብልዒ ብዘይቲ እተቘምጥዎ ድኹም ሓርጭ ዝመልኤ፡ [80] ዓሰርተ ሲቃል ዝሚዛኑ ሓደ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኤ፡ [81] ንዚሐርር መስዋእቲ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሓደ ገንሸል ዓመት፡ [82] ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ [83] ንመስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ክልተ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ድዑል፡ ሓሙሽተ ድቤላ፡ ሓሙሽተ ገንሸል ዓመት፡ ቍርባን ኣሒራዕ ወዲ ዔናን እዚ እዩ። [84] በታ መሰውኢ እተቐብኣላ መዓልቲ፡ ህያብ ሹማምቲ እስራኤል ንምቕዳሱ እዚ እዩ፡ ዓሰርተው ክልተ ጻሕሊ ብሩር፡ ዓሰርተው ክልተ ጭሕሎ ብሩር፡ ዓሰርተው ክልተ ጽዋእ ወርቂ። [85] ነንሓደ ጻሕሊ ብሩር ሚዛኑ ሚእትን ሰላሳን ሲቃል፡ ነንሓደ ጭሕሎ ድማ ሰብዓ፡ ናይቲ ኹሉ ኣቓሑ ብሩር ብሲቃል መቕደስ ክልተ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሲቃል ኰነ። [86] እተን ዓሰርተው ክልተ ጽዋእ ወርቂ፡ ዕጣን ዝመልኣ ነንጽዋእ ብሲቃል መቕደስ ዓሰርተ ሲቃል፡ ናይቲ ጽዋኣት ወርቂ ኹሉ ሚእትን ዕስራን ሲቃል ኰነ። [87] ኲሎም ኣብዑር ንዚሐርር መስዋእቲ ዓሰርተው ክልተ ዝራብዕ፡ ዓሰርተው ክልተ ድዑል፡ ዓሰርተው ክልተ ገንሸል ዓመት፡ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ምስ ናይ ብልዒ መስዋእቶም ዓሰርተው ክልተ ድቤላ፡ [88] ኲሎም ኣብዑር መስዋእቲ ምስጋና ድማ ዕስራን ኣርባዕተን ዝራብዕ፡ ስሳ ድዑል፡ ስሳ ድቤላ፡ ስሳ ገንሸል ዓመት ኰነ። እቲ መሰውኢ ምስ ተቐብኤ፡ ንምቕዳሱ እተዋህበ እዚ እዩ። [89] ሙሴ ምስኡ ንምዝራብ ናብ ድንኳን ምርኻብ ምስ ኣተው፡ ካብቲ ኣብ

ልዕሊ ታቦት ምስክር ዘሎ መኽደን መተዓረቒ፡ ካብ መንጎ እቶም ክልተ ኪሩቤል እቲ ድምጺ ኺዛረቦ
ይሰምዕ ነበረ፡ ይዛረቦ ድማ ነበረ።

## ምዕራፍ 8

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንኣሮን ተዛረቦ በሎ ኸኣ፡ ቀንዲል ምስ እትሰቅል፡
እቲ ሾብዓተ ቐንዴል ናብ ቅድሚ እቲ ቐዋሚ ቐንዴል ከም ዚበርህ ግበሮ። 3 ኣሮን ከኣ ከምኡ ገበረ፡
ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ነቲ ቐንዴል ኣብ ቅድሚ እቲ ቐዋሚ ቐንዴል ከም ዚበርህ ገበሮ። 4
ኣሰራርሓ እቲ ቐዋሚ ቐንዴል ከምዚ እዩ፡ ካብ ወርቂ ብምቕጥቃጥ እተሰርሔ ነበረ፡ ንሱ ኣእጋሩ ኾነ
ዕምባባኡ ኾነ ብምቕጥቃጥ እተሰርሔ ነበረ። ነቲ ቐዋሚ ቐንዴል ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዘርአዮ
ምስሊ ገበሮ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 6 ንሌዋውያን ካብ ማእከል ደቂ
እስራኤል ውሰዶም፡ ኣንጽሃዮም ከኣ። 7 ከምዚ ጌርካ ኣንጽሃዮም፡ ማይ ንጽህና ንጸገሎም፡ ኣብ ብዘሎ
ስጋኦም ድማ መላጸ የሕልፉ፡ ክዳውንቶም ይሕጸቡ ይንጽሁ ኸኣ። 8 ድሕርዚ ሓደ ዝራብዕን ብዘይቲ
እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ ናይ ብልዒ መስዋእቱን ይውሰዱ፡ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ካልእ ዝራብዕ
ውሰድ። 9 ንሌዋውያን ድማ ናብ ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ ኣቕርቦም፡ ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤልውን
ኣክቦ። 10 ንሌዋውያን ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕርቦም፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ኣእዳዎም ኣብ ልዕሊ
ሌዋውያን የንብሩ። 11 ኣሮን ድማ ንሌዋውያን፡ ነገልግሎት ዕዮ እግዚኣብሄር ኪኾኑ፡ ዚውዝወዝ
መስዋእቲ ደቂ እስራኤል ገይሩ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይወዝውዞም። 12 ሌዋውያን ድማ ኣእዳዎም
ኣብ ልዕሊ ርእሲ እቶም ዝራብዓት የንብሩ፡ ንሌዋውያን ምእንቲ ኽተተዕርቖም ከኣ፡ እቲ ሓደ
ንመስዋእቲ ሓጢኣት እቲ ኻልኣይ ከኣ ንዚሐርር መስዋእቲ ጌርካ፡ ንእግዚኣብሄር ሰውኣዮም። 13
ንሌዋውያን ድማ ኣብ ቅድሚ ኣሮንን ኣብ ቅድሚ ደቁን ኣቝሞም እሞ ንእግዚኣብሄር ዚውዝወዝ
መስዋእቲ ጌርካ ወዝውዞም። 14 ሌዋውያን ንኣይ ምእንቲ ኪኼኑስ፡ ንሌዋውያን ካብ ማእከል ደቂ
እስራኤል ፍለዮም። 15 ድሕርቲ ሌዋውያን ኣብ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ ይእተዉ እሞ ኣንጽሃዮም፡
ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ኸኣ ወዝውዞም። 16 ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ብመላኦም ንኣይ ተውሂቦም
እዮም እሞ፡ ኣብ ክንዲ ማሕጸን ዚኸፍት ኩሉ፡ በዂሪ ዅሎም ድቂ እስራኤል፡ ንኣይ ወሲደዮም እየ። 17
ሰብ ኰነ እንስሳ ኾነ ዅሉ በዂሪ ኣብ ደቂ እስራኤል ናተይ እዩ እሞ፡ በታ ኣብ ምድሪ ግብጺ ንዅሉ
በዂሪ ዝወቓዕኩላ መዓልቲ ንኣይ ቀደስኩዎም። 18 ኣብ ክንዲ ዅሉ በዂሪ ኣብ ደቂ እስራኤል ከኣ
ንሌዋውያን ወሰድኩ። 19 ደቂ እስራኤል ናብ መቕደስ ብምቕራቦም ናብ ደቂ እስራኤል መዓት ምእንቲ
ኸይወርድ፡ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ኣገልግሎት ደቂ እስራኤል ኬገልግሉ እሞ ንደቂ እስራኤል
ኬተዕርቕዎም፡ ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ከኣ ሌዋውያን ንኣሮንን ንደቁን ህያብ ሂበዮም ኣሎኹ። 20
ሙሴን ኣሮንን ብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤልን ድማ ንሌዋውያን እዚ ገበሩሎም፡ ደቂ እስራኤል ከምቲ
እግዚኣብሄር ብዛዕባ ሌዋውያን ንሙሴ ዝኣዘዞ ዅሉ ኸምኡ ገበሩሎም። 21 ሌዋውያን ከኣ ነጽሁ፡
ክዳውንቶምውን ሐጸቡ። ኣሮን ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዚውዝወዝ መስዋእቲ ወዝወዞም፡ ኣሮን
ድማ ንምንጻሆም ኣተዐረቆም። 22 ድሕርቲ ሌዋውያን ኣብ ቅድሚ ኣሮንን ኣብ ቅድሚ ደቁን ኣብ ድንኳን
ምርኻብ ኣገልግሎቶም ኪገብሩ ኣተዉ። ከምቲ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ሌዋውያን ንሙሴ ዝአዘዘ፡ ከምኡ
ገበሩሎም። 23 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 24 ንሌዋውያን ዚግባእ እዚ እዩ፡ ካብ ወዲ
ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ንላዕሊ፡ ናብ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ ይእተዉ። 25 ካብ ወዲ ሓምሳ

ዓመት ከኣ ካብ ዕዮ ኣገልግሎት ይመለስ፡ ድሕሪ ደጊም ኣየገልግል። [26] ኣብቲ ሓለዋ ኣሕዋቱ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ይሐግዝ፡ ኣብ ኣገልግሎት ግና ኣይዕየ። ንሌዋውያን በቲ ሓለዋኦም ከምኡ ግበረሎም።

# ምዕራፍ 9

[1] ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ዚወጹ፡ ኣብ ካልኣይቲ ዓመቶም ኣብታ ቀዳመይቲ ወርሒ ድማ እግዚኣብሄር ኣብ በረኻ ሲና ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ። [2] ደቂ እስራኤል በቲ ምዱብ ጊዜኡ ፋስጋ የብዕሉ። [3] ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ፡ በቲ ምዱብ ግዜኡ፡ ኪመሲ ኸሎ ኣብዕልዎ። ከም ኲሉ ሕጋጋቱን ከም ኲሉ ስርዓቱን ጌርኩም ኣብዕልዎ። [4] ሙሴ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ፋስጋ ኼብዕሉ ተዛረቦም። [5] ንሳቶም ድማ ኣብታ ቀዳመይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ኸኣ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ፡ ኪመሲ ኸሎ ኣብ በረኻ ሲና ፋሲጋ ኣብዐሉ። ደቂ እስራኤል ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ዅሉ፡ ከምኡ ገበሩ። [6] ድማ ብምዉት ሰብ ዝረኸሱ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ፋስጋ ኼብዕሉ ዘይከኣሉ ሰባት ነበሩ፡ ንሳቶም ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ቅድሚ ሙሴን ኣብ ቅድሚ ኣሮንን ቀረቡ። [7] እቶም ሰባት እቲኦም ድማ፡ ንሕና ብምዉት ሰብ ረኺስና ኢና እሞ፡ በታ ምድብቲ ጊዜ መባእ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎ እስራኤል ከይነቕርብ እተኸልከልና ስለምንታይ እዩ በልዎ። [8] ሙሴ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ብዛዕባኹም ዚእዝዞ ኽሰምዕሲ፡ ደው ኢልኩም ጽንሑ፡ በሎም። [9] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [10] ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ዝዀነ ሰብ ካባኻትኩም ወይ ካብ ወለዶኹም ብምዉት እንተ ረኸሰ ወይ ኣብ ርሑቕ መገዲ እንተሎ፡ ንእግዚኣብሄር ፋስጋ የብዕል። [11] ንሱ ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ኺመሲ ኸሎ የብዕሉ፡ ምስ ቅጫን መሪር ሓምልን ይብልዕዎ። [12] ካብኡ ገለ ኽሳዕ ጽባሕ ኣይሕደጉ፡ ዓጽሙ ኸኣ ኣይሰበሩ። ከም ኲሉ ሕጊ ፋስጋ ይግበርዎ። [13] ዝዀነ ሰብ፡ ንጹህ ክነሱ፡ ኣብ መገዲውን ዘይኰነ፡ ፋስጋ ዘየብዐለ፡ መባእ እግዚኣብሄር በቲ ምዱብ ጊዜኡ ስለ ዘየቕረባ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ ህዝባ ትመንቈስ። እቲ ሰብ እቲ ሓጢኣቱ ይጸውር። [14] ጓና ምሳኻትኩም ዚነብር እንተሎ፡ ፋስጋ ንእግዚኣብሄር ኬብዕል እንተ ደለየ፡ ከምቲ ናይ ፋስጋ ሕግን ስርዓትን ይግበር። ንጓናን ንወዲ ዓድን ሓደ ሕጊ ይኹነልኩም። [15] በታ እቲ ማሕደር እተተኽለላ መዓልቲ ድማ ነቲ ማሕደር፡ ነቲ ድንኳን ምስክር ደበና ኣጕልበቦ፡ ካብ ምሸት ክሳዕ ብጊሓት ድማ ከም ትርኢት ሓዊ ኣብ ልዕሊ እቲ ማሕደር ነበረ። [16] ወርትግ ከምኡ ነበረ፡ ደበና ኣጕልበቦ ብለይቲ ኸኣ ትርኢት ሓዊ። [17] እቲ ደበና ኻብ ልዕሊ እቲ ድንኳን ምስ ተላዕለ፡ ድሕርቲ ደቂ እስራኤል ይጕዐዙ፡ እቲ ደበና ኣብ ዝቘመሉ ኸኣ፡ ደቂ እስራኤል ኣብኡ ይሰፍሩ ነበሩ። [18] ደቂ እስራኤል ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ይጕዐዙ፡ ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ከኣ ይሰፍሩ ነበሩ። እቲ ደበና ኣብ ልዕሊ እቲ ማሕደር ብዝቘመሉ ጊዜ ኣብቲ ዝሰፈርዎ ይጸንሑ ነበሩ። [19] እቲ ደበና ብዙሕ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ ማሕደር እንተ ጸንሐ፡ ደቂ እስራኤል እቲ ሓለዋ እግዚኣብሄር ይሕልዉ ነበሩ እሞ ኣይተጓዕዙን። [20] እቲ ደበና ቕሩብ መዓልቲ ኣብ ልዕሊ ማሕደር እንተ ነበረ፡ ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ሰፈሮም ቀነዩ፡ ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ከኣ ተጓዕዙ። [21] እቲ ደበና ኻብ ምሸት ክሳዕ ብጊሓት እንተ ነበረ ኸኣ፡ እቲ ደበና ንግሆ ምስ ተላዕለ፡ ይጕዐዙ ነበሩ። ሓንቲ መዓልትን ሓንቲ ለይትን እንተጸንሐ፡ እቲ ደበና ምስ ተላዕለ፡ ሽዑ ተጓዕዙ። [22] እቲ ደበና ኣብ ልዕሊ ማሕደር ተቐሚጡ ኽልተ መዓልቲ ወይ ሓደ ወርሒ፡ ወይ ነዊሕ ጊዜ እንተ ደንጐየ፡ ደቂ እስራኤል ሰፈሮም ይጸንሑ እምበር፡ ኣይጕዓዙን ነበሩ። ምስ ዚለዐል ግና፡ ይጕዐዙ፡ ነበሩ። [23] ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ይሰፍሩ ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ድማ ይጕዐዙ ነበሩ። ከምቲ

እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ዝኣዘዞ፡ ነቲ ሓለዋ እግዚኣብሄር ይሕልዉ ነበሩ።

# ምዕራፍ 10

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንኣኻ ክልተ መለኸት ብሩር ግበር፡ ብምቕጥቃጥ
ስርሓዮ። ነቲ ኣኼባ ንምጽዋዕን ነቲ ሰፈር ከኣ ንምጕዓዝን ይኹንካ። 3 ብእኡ ምስ ዚነፍሑ፡ ብዘሎ
ኣኼባ ናባኻ ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ይተኣከብ። 4 ብሓደ ጥራይ እንተ ነፍሑ ኸኣ፡ እቶም ሹማምቲ።
ሓላቖ ኣሽሓት እስራኤል፡ ናባኻ ይተኣከቡ። 5 መለኸት ኣንዊሕኩም ምስ እትነፍሑ ድማ፡ ብሸነኽ
ምብራቕ ሰፈሮም ዘለዉ ይንቀሉ። 6 ካልኣይ ሳዕ ኣንዊሕኩም ምስ እትነፍሑ ኸኣ፡ ብሸነኽ ደቡብ
ሰፈሮም ዘለዉ ይንቀሉ። ንምንቃሎም ኣንዊሖም ይንፍሑ። 7 እቲ ኣኼባ ምስ ዚእከብ ከኣ ንፍሑ፡ ግናኸ
ኣይተንውሕዎ። 8 እቶም ካህናት ደቂ ኣሮን ድማ መለኸት ይንፍሑ። እዚ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ
ዘለኣለም ይኹነልኩም። 9 ምስቲ ዚጸቕጠኩም ጸላኢ ኽትዋግኡ ናብ ምድርኹም ምስ እትወጹ፡
ኣንዊሕኩም መለኸት ንፍሑ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ድማ ትዝከሩ፡ ካብ ጸላእትኹም
ከኣ ትድሕኑ። 10 ብመዓልቲ ሓጕስኩምን ብበዓላትኩምን ብመጀመርታ ኣዋርሕኩምን ኣብ ልዕሊ እቲ
ዚሐርር መስዋእትኹምን ኣብ ልዕሊ መስዋእቲ ምስጋናኹምን መለኸት ንፍሑ። ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽኩም ከኣ መዘከርታ ኪኾነልኩም እዩ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። 11 ኰነ ድማ ኣብ
ካልኣይቲ ዓመት፡ ኣብ ካልኣይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ኸኣ ኣብ መበል ዕስራ መዓልቲ እቲ ደበና ኻብ
ልዕሊ እቲ ማሕደር ምስክር ተላዕለ። 12 ሽዑ ደቂ እስራኤል ድማ ከከም ጕዕዞኦም ካብ በረኻ ሲና ነቐሉ፡
እቲ ደበና ኸኣ ኣብ በረኻ ጳራን ቈመ። 13 ከምቲ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ዝኣዘዞ ድማ፡ እቶም
ቀዳሞት ነቐሉ። 14 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር ደቂ ይሁዳ፡ ከከም ሰራዊቶም፡ ቅድም ተጓዕዘ፡ ኣብ ልዕሊ
ሰራዊቱ ድማ ነኣሶን ወዲ ኣሚናዳብ ነበረ። 15 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ ደቂ ኢሳኮር ከኣ ናትናኤል ወዱ
ጹዓር ነበረ። 16 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ ደቂ ዛብሎን ድማ ኤልያብ ወዲ ሔሎን ነበረ። 17 ነቲ ማሕደር
ከኣ ኣውረድዎ፡ ደቂ ገርሾንን ደቂ መራርን ድማ ነቲ ማሕደር ጾይሮም ተጓዕዙ። 18 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር
ደቂ ሮቤል ከኣ፡ ከከም ሰራዊቶም፡ ተጓዕዘ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ድማ ኤሊጹር ወዲ ሸደውር ነበረ። 19
ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ ደቂ ስምኦን ከኣ ሸሉሚኤል ወዲ ጹሪሻዳይ ነበረ። 20 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ
ደቂ ጋድ ድማ ኤልያሳፍ ወዲ ድዑኤል ነበረ። 21 ቃሃታውያን ድማ ኣቓሑ መቕደስ ጾይሮም ተጓዕዙ፡
ክሳዕ ዚኣትዉ ኸኣ እቲኣቶም ነቲ ማሕደር ኣቘምዎ። 22 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር ደቂ ኤፍሬም ድማ፡ ከከም
ሰራዊቶም፡ ተጓዕዘ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ኸኣ ኤሊሻማዕ ወዲ ዓሚሁድ ነበረ። 23 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ
ደቂ ምናሴ ድማ ገማልኤል ወዲ ጳዳህጹር ነበረ። 24 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ ደቂ ብንያም ከኣ ኣቢዳን
ወዲ ጊድዮኒ ነበረ። 25 ሰንደቕ ዕላማ ሰፈር ደቂ ዳን ከኣ፡ ከከም ሰራዊቶም፡ ደጀን ኲሉ ሰፈር ኰይኑ
ተጓዕዘ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ድማ ኣሒዔዘር ወዲ ዓሚሻዳይ ነበረ። 26 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ ደቂ
ኣሴር ድማ ጳግዒኤል ወዲ ዖክራን ነበረ። 27 ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነገድ ደቂ ንፍታሌም ከኣ ኣሒራዕ ወዲ
ዔናን ነበረ። 28 ጕዕዞ ደቂ እስራኤል በብሰራዊቶም እዚ ነበረ፡ ተጓዕዙ ድማ። 29 ሙሴ ኸኣ ንሖባብ ወዲ
ረዑኤል ሚድያናዊ፡ ሓሙ ሙሴ፡ ንሕና ናብታ እግዚኣብሄር፡ ንኣኻትኩም ክህበኩም እየ፡ ዝበለና ቦታ
ንጕዕዝ ኣሎና። እግዚኣብሄር ብዛዕባ እስራኤል ጽቡቕ ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ጽቡቕ ክንገብረልካ ምሳና
ኺድ፡ በሎ። 30 ንሱ ድማ፡ ኣይከይድን፡ ንሃገረይን ናብ ትውልደይን ደኣ እኸይድ፡ በሎ። 31 ንሱ ኸኣ፡
በጃኻ ኣይትሕደገና፡ ኣብ በረኻ ኣበይ ከም እንሰፍር፡ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ እሞ፡ ኣዒንቲ ኹነና። 32

ይኸውን ድማ፡ ምሳና እንተ ኸድካ፡ ካብቲ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ዚገብረልና፡ ጽቡቕ ክንገብረልካ ኢና፡
በለ። 33 ካብ ከረን እግዚኣብሄር ከኣ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ተጓዕዙ። ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ድማ
ዚዐርፉላ ቦታ ኺደልየሎም፡ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ቐደሞም። 34 ካብ ሰፈር ምስ ነቕሉ ድማ፡ ደበና
እግዚኣብሄር ብመዓልቲ ኣብ ልዕሊኦም ነበረ። 35 ኰነ ኸኣ፡ ታቦት ምስ ተላዕለ፡ ሙሴ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡
ተንስእ፡ ጸላእትኻ ፋሕ ይበሉ፡ እቶም ዚጸልኡኻ ድማ ካብ ቅድሜኻ ይህደሙ፡ ይብል ነበረ። 36 ምስ
ዚሰፍር ከኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ናብቶም እልፊ ኣእላፋት እስራኤል ተመለስ፡ ይብል ነበረ።

# ምዕራፍ 11

1 እቲ ህዝቢ ድማ ከም ኣጕረምረምቲ ኰነ፡ እዚ ኸኣ ኣብ እዝኒ እግዚኣብሄር ክፉእ ኰይኑ ተሰምዔ።
እግዚኣብሄር ምስ ሰምዖ ድማ ኲራኡ ነደደ፡ ሓዊ እግዚኣብሄርውን ኣባታቶም ሃልሃል በለ፡ ነቶም ኣብ
ወሰን ሰፈር ዝነበሩ ኸኣ በልዖም። 2 እቶም ህዝቢ ድማ ናብ ሙሴ ኣእወዩ፡ ሙሴ ኸኣ ንእግዚኣብሄር
ለመነ፡ እቲ ሓዊ ኸኣ ጠፍኤ። 3 ሓዊ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎኦም ስለ ዝነደደ ድማ፡ እታ ቦታ እቲኣ
ታብዔራህ ተባህለት። 4 ነቲ ኣብ ማእከሎም ዝነበረ ሕውስዋስ እኽብካብ ህዝቢ ታፍላ ሐዞ። ደቂ
እስራኤል ድማ መሊሶም በኸዩ በሉ ኸኣ፡ እንበልዖ ስጋ መን ይህበና፡ 5 እቲ ኣብ ግብጺ ብኸምኡ
ዝበላዕናዮ ዓሳ፡ ዱባን ብርጭቕን ሽጕርቲ ቓንጫን ቀይሕ ሽጕርትን ጻዕዳ ሽጕርትን ዘከርና፡ 6 ሕጂ ግና
ገለ እኳ የልቦን፡ ብጀካ ማና እንርእዮ የብልናን እሞ፡ ነፍስና ነቕጸት። 7 እቲ ማና ኸእ ከም ፍረ ጻቕዳ
ነበረ፡ ትርኢቱ ድማ ከም ትርኢት ዕንጰዳ ነበረ። 8 እቶም ህዝቢ እናዞሩ ይኣርይዎ ነበሩ፡ ብመጥሓን
ድማ ይጥሕንዎ ወይ ብመጕእ ይጎድእዎ፡ እብ ቍራዕ ኣብሲሎም ከኣ ቅጫ ይገብርዎ ነበሩ ጣዕሙውን
ከም ብዘይቲ እተገብረ ቅጫ ይጥዕም ነበረ። 9 ኣብ ልዕሊ እቲ ሰፈር ኣውሊ ብለይቲ ምስ ዚወድቕ፡ ማና
ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ይወርድ ነበረ። 10 ሙሴ ድማ፡ እቶም ህዝቢ በብዓሌቶም ነፍሲ ወከፍ ኣብ ኣፍ
ድንኳኑ ኺበኽዩ ሰምዔ። ኲራ እግዚኣብሄር ከኣ ኣዝዩ ነደደ፡ እዚ ድማ ኣብ ዓይኒ ሙሴ ኽፉእ ኰይኑ
ተራእየ። 11 ሙሴ ኸኣ ንእግዚኣብሄር በሎ፡ ስለምንታይ ንባርያኻ ኽፉእ ገበርካኒ፧ ጾር ብዘሎ እዚ ህዝቢ
እዚ ኣብ ርእሰይ ዘምበርካስ፡ ስለምንታይ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ዘይረኸብኩ፧ 12 መጕዚት ንዚጠቡ ሕጻን
ከም እትጾውር፡ ክሳዕ ናብታ ነቦታቶም ዝመሓልካሎም ምድሪ ኣብ ሕቑፍኻ ጹሮም፡ እትብለንስ፡ ነዚ
ዅሉ ህዝቢ እዚ ኣነዶ ጠኒሰዮ፡ ኣነዶኽ ወሊደዮ እየ፧ 13 እናበኸዩ፡ እንበልዕ ስጋ ሀበና፡ ይብሉኒ ኣለዉ።
ነዚ ዅሉ ህዝቢ እዚ ዝህቦ ስጋኸ፡ ካበይ ክረኽቦ እየ፧ 14 እምብዛ ኸቢዱኒ እዩ እሞ፡ ንብዘሎ እዚ ህዝቢ
እዚ ኣነ በይነይ ክጾሮ ኣይክእልን እየ። 15 ከምዚ ትገብረኒ ኻብ ኰንካ፡ ነቲ መከራይ ከይርኢ፡ ኣብ
ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደአ ረኺበስ፡ ብሓደ ኣፊቱ ቕተለኒ። 16 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ካብ
ዓበይቲ እስራኤል ካብቶም ኣብ ህዝቢ ዓበይትን ሓለቓታትን ከም ዝኾኑ ንስኻ እትፈልጦም፡ ሰብዓ
ሰብኣይ ኣክበለይ። ናብ ድንኳን ምርኻብ ውሰዶም፡ ኣብኡ ምሳካ ደው ኣብሎም። 17 ወሪደ ኣብኡ ምሳኻ
ኽዛረብ እየ፡ ካብቲ ኣብ ልዕሌኻ ዘሎ መንፈስ ክወስድ እየ፡ ኣብ ልዕሊኦም ከኣ ከንብር እየ፡ ንስኻ
በይንኻ ኸይትጸሮ ድማ፡ ጾር እቶም ህዝቢ ምሳኻ ኪጾሩ እዮም። 18 ነዚ ህዝቢ ድማ በሎ፡ ንጽባሕ
ተቐደሱ፡ ስጋ ኽትበልዑ ኢኹም። እንበልዖ ስጋ መን ኪህበና እዩ፧ ኣብ ግብጺ ጽቡቕ ነበርና
እናበልኩም፡ ምብካይኩም ኣብ እዝኒ እግዚኣብሄር ተሰሚዑ እዩ እሞ፡ እምበኣር እግዚኣብሄር ስጋ
ኺህበኩም እዩ እሞ ክትበልዑ ኢኹም። 19 ሓደ መዓልቲ ኣይኰነን ወይ ክልተ መዓልቲ ወይ ሓሙሽተ
መዓልቲ ወይ ዓሰርተ መዓልቲ ወይ ዕስራ መዓልቲ ኣይኰነን እትበልዑ፡ 20 ብኣፍንጫኹም ክሳዕ ዚወጽእ

እሞ ክሳዕ እትመንውዎ፡ ወርሒ ምሉእ እምበር፡ እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ እግዚኣብሄር ስለ
ዝነዐቕኩምዎን ስለምንታይ ካብ ግብጺ ወጻእና፧ እናበልኩም ኣብ ቅድሚኡ ስለ ዝበኼኹምን እዩ። 21
ሙሴ ኸኣ፡ እዚ ኣነ ኣብ ማእከሉ ዘሎኹ ህዝቢ ሹድሽተ ሚእቲ ሽሕ ኣጋራይ እዩ፡ ንስኻ ኸኣ፡ ወርሒ
ምሉእ ዚበልዕዎ ስጋ ኽህበኩም እየ፡ ትብል ኣሎኻ። 22 ንኣታቶም ዚአክል ጤለበጊዕን ኣሓንዶ ኺሕረድ
እዩ፧ ወይ ንኣታቶም ኪኣክልሲ ኹሉ ዓሳ ባሕርዶ ኺእከብ ኰይኑ፧ በለ። 23 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡
ኢድ እግዚኣብሄርዶ ሓጻር እያ፧ ሕጂ እቲ ቓለይ ዚኾነልካ እንተ ኾይኑ ወይ ዘይኰነልካ፡ ክትርኢ
ኢኻ፡ በሎ። 24 ሙሴ ድማ ወጺኡ እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ነቲ ህዝቢ ነገሮ። ካብቶም ዓበይቲ ህዝቢ
ሰብዓ ሰብኣይ ኣኪቡ፡ ኣብ ዙርያ እቲ ድንኳን ደው ኣበሎም። 25 እግዚብሄር ከኣ ብደበና ወሪዱ ንእኡ
ተዛረቦ፡ ካብቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ መንፈስ ወሰደ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ሰብዓ ዓበይቲ ኣንበረ። ኰነ ኸኣ፡
እቲ መንፈስ ኣብ ልዕሊኦም ምስ ዐረፈ፡ ተነበዩ፡ ግናኸ ኣይደገምዎን። 26 ክልተ ሰብኣይ ድማ፡ ስም እቲ
ሓደ ኤልዳድ፡ ስም እቲ ኻልኣይ ከኣ ሜዳድ ዚብሀሉ፡ ኣብ ሰፈር ተሪፎም ነበሩ፡ ንሳቶም ካብቶም
ጽሑፋት ነበሩ፡ ናብ ድንኳን ግና ኣይከዱን ነበሩ፡ እቲ መንፈስ ድማ ኣብ ልዕሊኦም ዐረፈ፡ ኣብ ሰፈር
ከኣ ተነበዩ። 27 ሸው ሓደ ጐበዝ ጐይዩ፡ ኤልዳድን ሜዳድን ኣብ ሰፈር ይንበዩ ኣለዉ፡ ኢሉ ንሙሴ
ነገሮ። 28 እያሱ ወዲ ነዌ፡ ካብ ንእሽቶኡ ኣገልጋሊ ሙሴ ዝነበረ፡ ጐይታይ ሙሴ፡ ከልክሎም፡ ኢሉ
መለሰ። 29 ሙሴ ግና፡ ንስኻዶ ስለይ ቀኒእካ ኢኻ፧ እግዚኣብሄር መንፈሱ ኣብ ልዕሊኦም እንተ ዜንብር፡
ኩሎም ህዝቢ እግዚኣብሄር ከኣ ነብያት እንተ ዚኾኑ መን ምሀበ፡ በሎ። 30 ሙሴ ድማ፡ ንሱን እቶም
ዓበይቲ እስራኤልን ናብ ሰፈር ተመልሱ። 31 ካብ እግዚኣብሄር ድማ ንፋስ ወጸ፡ ካብ ባሕሪ ኸኣ
ብርኒጎታት ኣምጺኡ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰፈር፡ መገዲ መዓልቲ ዚአክል በዚ፡ መገዲ መዓልቲ ድማ በቲ፡
ኣብ ዙርያ እቲ ሰፈር ኣውረዶ፡ ምብራኹ ኸኣ ካብ ምድሪ ንላዕሊ ኣስታት ክልተ እመት ነበረ። 32 እቲ
ህዝቢ ድማ ተንስኤ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ብመልኣን ለይቲ ብመልኣን ንጽብሒታውን መዓልቲ ብመልኣ
ብርኒጎታት ኣከበ። እቲ ዘውሓደ ዓሰርተ ሆሜር ኣከበ፡ ኣብ ዙርያ ኹሉ ሰፈር ከኣ ሰጥሕወን። 33 እቲ ስጋ
ገና ኣብ ኩርምቶም ከሎ ኸይሐኸዎ ኸኣ፡ ኲራ እግዚኣብሄር ኣብቶም ህዝቢ ነደደ፡ እግዚኣብሄር ነቶም
ህዝቢ ኣዝዩ ብዝበርትዔ መቕዘፍቲ ወቕዖም። 34 ነቶም ታፍላ ዝሐዞም ህዝቢ ኣብኡ ቐቢሮምዎም እዮም
እሞ፡ እታ ቦታ እቲኣ ቂብሮትሃታኣባ ተባህለት። 35 እቶም ህዝቢ ኻብ ቂብሮትሃታኣባ ንሓጸሮት ተጓዕዙ፡
ኣብ ሓጸሮት ከኣ ሰፈሩ።

# ምዕራፍ 12

1 ሙሴ ኢትዮጵያዊት ሰበይቲ ኣእትዩ ነበረ እሞ፡ ሚርያምን ኣሮንን ብዛዕባ እታ ዘእተዋ ኢትዮጵያዊት
ሰበይቲ ኣብ ልዕሊኡ ተዛረቡ። 2 እግዚኣብሄር ብሙሴ ጥራይዶ እዩ ዚዛረብ፧ ብኣናስ ኣይዛረብን ድዩ፧
ድማ በሉ። እዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ሰምዖ። 3 እቲ ሰብኣይ፡ ሙሴ ግና ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ኻብ ዘሎ
ሰብ ዓቃል ነበረ። 4 ብኡብኡ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣሮንን ንሚርያምን፡ ሰለስቴኹም ናብ ድንኳን
ምርኻብ ወጹ፡ በሎም። ሰለስቲኦም ድማ ወጹ። 5 እግዚኣብሄር ከኣ ብዓንዲ ደበና ወረደ፡ ኣብ ኣፍ
ድንኳን ደው ኢሉ ድማ ንኣሮንን ንሚርያምን ጸውዖም፡ ክልቲኦም ከኣ ወጹ። 6 በሎም ድማ፡ ዘረባይ ደኣ
ስምዑ፡ ኣብ ማእከልኩም ነብዪ እንተሎ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ብራእይ እግለጸሉ፡ ብሕልሚ እዛረቦ። 7
ባርያይ ሙሴስ ከምኡ ኣይኰነን፡ ንሱ ኣብ ብዘላ ቤተይ እሙን እዩ። 8 ብግልጺ እምበር፡ ብኽዉል ዘረባ
ኣይኰነን፡ ኣፍ ንኣፍ እዛረቦ፡ ንሱ ምስሊ እግዚኣብሄር ከኣ ይርኢ። ከመይከ ኣብ ባርያይ ኣብ ሙሴ

ምዝራብ ዘይፈራህኩም፡ 9 ኲራ እግዚኣብሄር ኣባታቶም ነደደ፡ ከደ ድማ። 10 እቲ ደበና ኻኣ ናብ ልዕሊ
ድንኳን ኣግለሰ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሚርያም ለምጻም ኰነት፡ ከም በረድ ጻዕደወት። ኣሮን ድማ ናብ ሚርያም
ግልጽ በለ፡ እነሆ ኸኣ ለምጻም ኰይና ነበረት። 11 ሸዑ ኣሮን ንሙሴ፡ ኣየ ጐይታይ፡ ስለቲ ብዕሽነትና
ዝገበርናዮን ዝበደልናዮን፡ በጃኻ፡ ሓጢኣት ኣይተጹረና። 12 በጃኻ፡ ብምዉቱ ኸም እተወልደ፡ ካብ
ከርሲ ኣዲኡ ኺወጽእ ከሎ ፈረቓ ስጋኡ ኸም እተወድኤ ትኸውን፡ ኣይትሕደጋ፡ በሎ። 13 ሙሴ ድማ
ንእግዚኣብሄር፡ ዎ ኣምላኽ፡ እልምነካ ኣሎኹ ኣሕውያ፡ ኢሉ ጨርሔ። 14 እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፡
ኣቦኣ ኣብ ገጻ ጡፍ እንተ ዚብለላስ፡ ሾብዓተ መዓልቲዶ ኣይምሓፈረትን፧ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ሾብዓተ
መዓልቲ ትተዐጾ፡ ደሓር ከኣ ትእቶ፡ በሎ። 15 ሚርያም ድማ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ሾብዓተ መዓልቲ
ተዐጽወት። እቲ ህዝቢ ኸኣ፡ ሚርያም ክሳዕ እትምለስ፡ ኣይነቐለን። 16 ድሕርቲ እቲ ህዝቢ ኻብ ሓጸሮት
ተጓዕዘ፡ ኣብ በረኻ ጻራን ድማ ሰፈረ።

# ምዕራፍ 13

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ነታ ኣነ ንደቂ እስራኤል ዝህቦም ምድሪ ኸነኣን
ዚስልዩ ሰባት ስደድ፡ ከካብ ነገድ ኣቦታቶም ሓደ ሰብ፡ ኲሎም ካብቶም ሹማምቶም ይስደዱ። 3 ሙሴ
ድማ ከምቲ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ካብ በረኻ ጻራን ሰደዶም። እዞም ሰባት እዚኦም ኲሎም ሓላቑ ደቂ
እስራኤል ነበሩ። 4 ስሞም ከኣ እዚ እዩ፡ ካብ ነገድ ሮቤል ሻሙዓ ወዲ ዛኩር፡ 5 ካብ ነገድ ስምኦን ሻፋት
ወዲ ሖሪ፡ 6 ካብ ነገድ ይሁዳ ካሌብ ወዲ የፉነ፡ 7 ካብ ነገድ ይሳኮር ይግኣል ወዲ ዮሴፍ፡ 8 ካብ ነገድ
ኤፍሬም ሆሽዓ ወዲ ነዌ፡ 9 ካብ ነገድ ብንያም ጳልጢ ወዲ ራፉ፡ 10 ካብ ነገድ ዛብሎን ጋዲኤል ወዲ
ሶዲ፡ 11 ካብ ነገድ ዮሴፍ፡ ማለት ካብ ነገድ ምናሴ፡ ጋድ ወዲ ሱሲ፡ 12 ካብ ነገድ ዳን ዓሚኤል ወዲ
ግማሊ፡ 13 ካብ ነገድ እሴር ስቱር ወዲ ሚካኤል፡ 14 ካብ ነገድ ንፍታሌም ናሕቢ ወዲ ዎፍሲ፡ 15 ካብ ነገድ
ጋድ ግዉኤል ወዲ ማኪ። 16 ስም እቶም ነታ ምድሪ ኺስልይዋ ሙሴ ዝሰደዶም ሰባት እዚ እዩ። ሙሴ
ንሆሼዓ ወዲ ነዌ፡ እያሱ ኣውጽኣሉ። 17 ሙሴ፡ ምድሪ ኸነኣን ኪስልዩ፡ ሰደዶም። በሎም ከኣ፡ ካብዚ
ንደቡብ ኬድኩም ናብ ኣኽራን ደይቡ፡ 18 እታ ሃገር ድማ ንሳ ኸመይ ከም ዝዀነት፡ እቲ ኣብኣ ዚነብር
ህዝቢውን ሓያል እንተ ዀይኑ ወይ ድኹም፡ ሒደት እንተ ዀይኑ ወይ ብዙሕ፡ 19 እታ ዚነብርዋ ምድሪ
ድማ ኸመይ ምዃና፡ ንሳ ጽብቕቲ እንተ ዀይና ወይ ሓማቕ፡ እተን ዚነብሩለን ከተማታት ከኣ ከመይ
ምዃነን፡ ሰፈር እንተ ዀይነን ወይ ዕርድታት፡ 20 እታ ምድሪውን ከመይ ምዃና፡ ንሳ ረጓድ እንተ ዀይና
ወይ ረቃቕ፡ ኣእዋም እንተለዋ ወይ እንተ ዜብላ፡ ርአዩ። ትብዑ ኸኣ ካብ ፍረ እታ ምድሪ ድማ
ኣምጽኡ። እተን መዓልትታት እቲኤን ከኣ እቲ ቀዳማይ ፍረ ወይኒ ዚበስለለን ግዝያት ነበራ። 21 ንሳቶም
ከኣ ደይቦም ነታ ምድሪ ኻብ በረኻ ጺን ክሳዕ እታ ኣብ መእተዊ ሃማት ዘላ ሬሖብ ሰለይዋ። 22 ናብ
ደቡብ ከኣ ደየቡ፡ ናብ ኬብሮንውን ኣተዉ፡ ኣብኣ ድማ ኣሒማን፡ ሼሻይን ታልማይን ደቂ ዓናቕ ነበሩ።
ኬብሮን ከኣ ሾብዓተ ዓመት ቅድሚ እታ ኣብ ግብጺ ዘላ ጾዓን ተሰርሔት። 23 ናብ ርባ ኤሽኮል ከኣ
መጹ፡ ካብኣ ድማ ሓደ ጨንፈር ምስ ሓደ ኣስካል ወይኒ ቈሪጾም፡ ክልተ ዀይኖም ብመሰላ ጾርዎ። ካብ
ሮማንን ካብ በለስን ከኣ ተማልኡ። 24 እታ ቦታ እቲኣ፡ ብዛዕባ እቲ ደቂ እስራኤል ካብኣ ዝቘረጽዎ
ኣስካል፡ ለሰ ኤሽኮል ተባህለት። 25 ኣብ መወዳእታ ኣርብዓ መዓልቲ ድማ ካብ ምስላይ እታ ምድሪ
ተመልሱ። 26 ከይዶም ከኣ ኣብ በረኻ ጻራን ኣብ ቃዴስ ናብ ሙሴን ናብ ኣሮንን ናብ ብዘሎ ኣኼባ ደቂ
እስራኤልን መጹ። ንኣታቶምን ንብዘሎ ኣኼባን እቲ ነገር ኣዛረብዎም፡ ፍረ እታ ምድሪውን ኣርኣይዎም።

[27] ከምዚ ኢሎም ድማ ኣዘንተዉሉ፡ ናብታ ዝሰደድካና ሃገር በጺሕና፡ ብሓቂ ኸኣ ንሳ ጸባን መዓርን
እተውሕዝ እያ፡ ፍሬኣ ኸኣ እዚ እዩ። [28] ኣብታ ሃገር ዚነብር ህዝቢ ግና ሓያል እዩ፡ እተን ከተማታት ከኣ
እተዐርዳን ኣዝየን ዓበይትን እየን፡ ኣብኡ ድማ ደቂ ዓናቕ ርኤና። [29] ኣብ ሃገር ደቡብ ኣማሌቅ ይነብር
ኣሎ፡ ኣብ ኣኽራን ከኣ ሔታውያንን ይቡሳውያንን ኣሞራውያንን ይነብሩ ኣለዉ፡ ኣብ ጥቓ ባሕርን
ብሸነኽ ዮርዳኖስን ድማ ከነኣናውያን ይነብሩ ኣለዉ። [30] ካሌብ ከኣ ነቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ ሙሴ
ኣህድኦ፡ ኣጸቢቕና ንኽእላ ኢና እሞ፡ ንደይብ ደኣ ነታ ምድሪ ንውረሳ፡ ድማ በለ። [31] እቶም ምስኡ
ደይቦም ዝነበሩ ሰባት ግና፡ ንሱ ኻባና ዚሕይል እዩ እሞ፡ ናብቲ ህዝቢ እቲ ኽንድይብ ኣይንኽእልን
ኢና፡ በሉ። [32] ብዛዕባ እታ ዝሰለይዋ ምድሪ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢሎም ክፉእ ነገር ኣውረዩሎም፡
እታ ኽንሰልያ ዝሐለፍናያ ምድሪ፡ ንሳ ነቶም ዚነብርዋ እትውሕጥ ምድሪ እያ፡ እቶም ኣብኣ ዝርኤናዮም
ኲሎም ህዝቢ ኸኣ ነዋሕቲ ሰባት እዮም። [33] ኣብኣ ድማ ካብ ንጉዓት ዓሌት፡ ንጉዓት ደቂ ዓናቕ ርኤና።
ንሕና ኣብ ዓይንና ኸም ኣምበጣ ዀንና፡ ኣብ ኣዒንቶም ከኣ ከምኡ ነበርና።

# ምዕራፍ 14

[1] ብዘለዉ እቶም ኣኼባ ድማ ቃሎም ዓው ኣቢሎም ጨርሑ፡ እቲ ህዝቢ ኸኣ በታ ለይቲ እቲኣ ኺበኪ
ሐደረ። [2] ኲሎም ደቂ እስራኤል ድማ ኣብ ሙሴን ኣብ ኣሮንን ኣጕረምረሙ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ኸኣ
በሎም፡ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኸም ሞትና ወይ ኣብዚ በረኻ እዚ ኸም ሞትና መን ምሀበና። [3] ንሕና ብሴፍ
ክንወድቕ፡ ኣንስትናን ደቅናን ከኣ ኪማረኹ፡ ንምንታይ እግዚኣብሄር ናብዛ ምድሪ እዚኣ ኣእተወና፧ ናብ
ግብጺ እንተ ንምለስዶ ግዳ ኣይምሐሸናን፧ [4] ንሓድሕዶም ከኣ፡ ሓለቓ ግዳ ንሸም እሞ ናብ ግብጺ
ንመለስ፡ ተባሃሀሉ። [5] ሽዑ ሙሴን ኣሮንን ኣብ ቅድሚ ብዘላ እታ ማሕበር ኣኼባ ደቂ እስራኤል ብገጾም
ተደፍኡ። [6] እያሱ ወዲ ነዌን ካሌብ ወዲ ዩፉነን፡ ካብቶም ሰለይቲ እታ ሃገር ዝነበሩ፡ ክዳውንቶም
ቀደዱ፡ [7] ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ከኣ ከምዚ ኢሎም ተዛረቡ፡ እታ ኽንሰልያ ዝሐለፍናያ ምድሪ
ኣዝያ፡ ኣዝያ ጽብቕቲ ምድሪ እያ። [8] እግዚኣብሄር እንተ ፈትዩናስ፡ ናብታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ
ምድሪ፡ ናብታ ምድሪ እቲኣ ኼእትወና፡ ንሳውን ኪህበና እዩ። [9] ኣብ እግዚኣብሄር ግዳ ኣይትዐምጹ፡
ንሳቶም እንጌራና እዮም እሞ፡ ንስኻትኩም ንህዝቢ እታ ምድሪ ኣይትፍርህዎም። እቲ ዜጽልሎም
ካባታቶም ኣግሊሱ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምሳና እዩ፡ ኣይትፍርህዎም። [10] ብዘሎ እቲ ኣኼባ ግና ብዳርባ
እምኒ ኪቐትሎም ተዛራረበ። ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ንዅሎም ደቂ እስራኤል
ተራእየ። [11] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ኽሳዕ መኣዝ እዩ ዚንዕቀኒ፡ ክሳዕ መኣዝከ እዮም
በቲ ዅሉ ኣብ ማእከሎም ዝገበርክዎ ትእምርትታት ዘይኣምኑኒ፧ [12] ብፌራ ኽወቕዖምን ከጥፍኦምን እየ፡
ንኣኻ ግና ካባታቶም ዚዐብን ዚብርትዕን ህዝቢ ኽገብረካ እየ፡ በሎ። [13] ሙሴ ኸኣ ንእግዚብሄር በሎ፡
እቶም ግብጻውያን፡ ንስኻ እኳ ነዚ ህዝቢ ኻብ ማእከሎም ብሓይልኻ ዘደየብካዮ፡ እዚ ኺሰምዑ
እዮም። [14] ነዞም ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ዚነብሩ ድማ ኪነግሩ እዮም፡ ንስኻ እግዚኣብሄር ኣብ ማእከል እዚ
ህዝቢ እዚ ኸም ዘሎኻ፡ ንስኻ እግዚኣብሄር ገጽ ንገጽ ከም እትርኤኻ፡ ደበናኻውን ኣብ ልዕሊኦም ከም
ዚቐውም፡ መዓልቲ ብዓንዲ ደበና፡ ለይቲ ኸኣ ብዓንዲ ሓዊ ቕቅድሚኦም ከም እትኸይድ ድማ ሰሚዖም
ኣለዉ። [15] ሕጂ ኸኣ ነዚ ህዝቢ እዚ ኸም ንሓደ ሰብ ጌርካ እንተ ቐተልካዮ፡ ሽዑ እቶም ወሬኻ ዝሰምዑ
ህዝብታት፡ [16] እግዚኣብሄር ነዚ ህዝቢ እዚ ናብታ ዝመሐለሎም ምድሪ ኼእትዎም ስለ ዘይከኣለ፡ ኣብ
በረኻ ሐረዶም፡ ኢሎም ኪዛረቡ እዮም። [17] ሕጂ ኸኣ እልምነካ ኣሎኹ፡ ሓይሊ እግዚኣብሄር ይዕበ፡

ከምቲ እተዛረብካዮ ኸምዚ ኢልካ፡ [18] እግዚኣብሄር ንዀራ ደንጓዪ፡ በዓል ብዙሕ ምሕረት እዩ፡ ንሱ በደልን ሓጢኣትን ይቕረ ይብል፡ ሓጢኣት ኣቦታት ኣብ ውሉድ ክሳዕ ሳልሳይን ኽሳዕ ራብዓይን ወለዶ ይቐጽዕ እምበር፡ ንበዳሊ ኺይቀጽዔ ኣይሐድጎን። [19] ነዚ ህዝቢ እዚ ኸምቲ ኻብ ግብጺ ሒዝካ ኽሳዕ ናብዚ ይቕረ ዝበልካሉ፡ ሕጂ ኸኣ እልምነካ ኣሎኹ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ኸምቲ ዓብዪ ምሕረትካ ሓጢኣቱ ሕደገሉ። [20] እግዚኣብሄር ድማ በለ፡ ከምቲ ቓልካ ይቕረ ኢለ እየ። [21] ግናኸ ኣነ ብሓቂ ህያው እየ፡ ብዘላ ምድሪ ኸኣ ብኽብሪ እግዚኣብሄር ክትመልኣ እያ፡ [22] ኲሎም እቶም ክብረይን ኣብ ግብጽን ኣብ በረኻን ዝገበርክዎ ተኣምራተይን ዝረኣዩ ሰባት፡ ድሮ ዓሰርተ ሳዕ ፈተኑኒ፡ ቓለይ ከኣ ኣይሰምዑን፡ [23] ነታ ነቦታቶም ዝመሐልኩሎም ምድሪ ከኣ ኣይርእይዋን፡ ካብቶም ዝነዐቑኒውን ሓደ እኳ ኣይርእያን። [24] ንባርያይ ካሌብ ግና፡ ካልእ መንፈስ ስለ ዝነበሮ ፈጺሙውን ስለ ዝሰዐበኒ፡ ናብታ ኣትይዋ ዝነበረ ሃገር ከእትዎ እየ፡ ዘርኡ ኸኣ ኪወርሳ እዩ። [25] ኣብ ለሰ ድማ ኣማሌቃውያንን ከነኣናውያንን ይነብሩ ኣለዉ እሞ፡ ጽባሕ ተመለሱ፡ ብመገዲ ባሕሪ ኤርትራ ኣቢልኩም ናብ በረኻ ተጐዐዙ። [26] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ [27] ነዚ ዜጕረምርመለይ ሕሱም ኣኼባ እዚ ኽሳዕ መኣዝ ክጾሮ እየ፤ እቲ ደቂ እስራኤል ዜጕረምርሙለይ ምጕርምራም ሰሚዔ ኣሎኹ። [28] በሎም ከኣ፡ ኣነ ህያው እየ፡ ከምቲ ኣብ እዝነይ እተዛረብኩምዎ፡ ከምኡ ኽገብረኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ [29] ኣቱም ዘጕረምረምኩምለይ ኲላትኩም እተቘጸርኩም፡ ከምቲ ዂሉ ቝጽርኹም፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ፡ ሬሳኹም ኣብዚ በረኻ እዚ ኺወድቕ እዩ። [30] ናብታ ኣብኣ ከናብረኩም ኢለ ኢደይ ዘልዐልኩላ ምድሪ፡ ብጀካ ካሌብ ወዲ የፉነን እያሱ ወዲ ነዌን፡ ንስኻትኩም ኣይትኣትዉን። [31] ነቶም ምርኮ ኪኾኑ እዮም ዝበልኩምዎም ደቅኹም ግና ከእትዎም እየ፡ ነታ ዝነዐቕኩምዋ ምድሪ ኺፈልጥዋ እዮም። [32] ንስኻትኩም ግና፡ ሬሳኹም ኣብዚ በረኻ እዚ ኺወድቕ እዩ። [33] ደቅኹም ከኣ ኣብ በረኻ ኣርብዓ ዓመት ጓሶት ኪኾኑ እዮም፡ ሬሳኹም ኣብ በረኻ ኽሳዕ ዚጠፍእ ከኣ ምንዝርናኹም ኪጾሩ እዮም። [34] ከም ቍጽሪ እተን ነታ ሃገር ዝሰለኹምለን መዓልታት፡ ኣርብዓ መዓልቲ፡ ሓንቲ ዓመት ሓጢኣትኩም ክትጾሩ ኢኹም፡ ካባኻትኩም ከም ዝረሓቕኩ ኸኣ፡ ክትፈልጡ ኢኹም። [35] ኣነ እግዚኣብሄር እየ እተዛረብኩ፡ ነዚ ዂሉ ኣባይ ብሓደ እተሐባበረለይ ሕሱም ኣኼባ ብሓቂ ኸምኡ ኽገብሮ እየ፡ ኣብዚ በረኻ እዚ ኺውድኡ እዮም፡ ኣብኡውን ኪሞቱ እዮም። [36] እቶም ምድሪ ኺስልዩ ሙሴ ዝሰደዶም ሰባት ተመሊሶም ድማ ብዛዕባ እታ ምድሪ ኽፉእ ብምውራዮም ንብዘሎ እቲ ኣኼባ ኣብ ልዕሊኡ ዘጕረምረሙሉ፡ [37] እቶም ብዛዕባ እታ ምድሪ ኽፉእ ዘውረዩ ሰባት ብመቕዘፍቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞቱ። [38] ካብቶም ምድሪ ኺስልዩ ኺይዶም ዝነበሩ ሰባት ግና፡ እያሱ ወዲ ነዌን ካሌብ ወዲ የፉነን ብህይወት ተረፉ። [39] ሙሴ ድማ እዚ ቓላት እዚ ንዂሎም ደቂ እስራኤል ተዛረቦም። እቲ ህዝቢ ኸኣ ብዙሕ ሐዘነ። [40] ንብጊሓቱ ድማ ኣንጊሆም ተንስኡ፡ በዲልና ኢና እሞ፡ እኔና ናብታ እግዚኣብሄር ዝበለና ቦታ ንድይብ ኣሎና፡ ኢሎምውን ናብ ርእሲ እቲ ኸረን ደየቡ። [41] ሙሴ ግና በሎም፡ ሕጂ ንስኻትኩም ስለምንታይ ትእዛዝ እግዚኣብሄር እትጥሕሱ፤ ኣይቕንዓኩምን እዩ። [42] እግዚኣብሄር ኣብ ማእከልኩም ኣይኰነን እሞ፡ ብጸላእትኹም ከይትስዐሩ፡ ኣይትደይቡ። [43] ኣብኡ ኣማሌቃውያንን ከነኣናውያንን ኣብ ቅድሜኹም ኣለዉ እሞ፡ ብሴፍ ክትወድቁ ኢኹም። ንእግዚኣብሄር ካብ ምስዓብ ስለ እተመለስኩም፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምሳኻትኩም ኣይኸውንን እዩ። [44] ንሳቶም ግና ናብ ርእሲ እቲ ኸረን ኪድይቡ ደፈሩ፡ ታቦት ኪዳን እግዚብሄርን ሙሴን ግና ካብ ሰፈር ኣይለቐቑን። [45] እቶም ኣብቲ ኸረን ዝነበሩ ኣማሌቃውያንን ከነኣናውያንን ድማ ወሪዶም ወቕዕዎም፡ ክሳዕ ሖርማ ኸኣ ቀጥቀጥዎም።

# ምዕራፍ 15

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ። 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ ናብታ
ኽትነብርዋ ኣነ ዝህበኩም ምድሪ ምስ ኣቶኹም፡ 3 ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓዊ፡ ዚሐርር መስዋእቲ
ወይ መስዋእቲ ሕሩድ፡ ንምፍጻም መብጽዓ ወይ መስዋእቲ ፍቓድ ወይ ናይ በዓላትኩም ብኣሓ ወይ
ብጤለበጊዕ ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና ኽትገብሩ እንተ ትስውኡ፡ 4 ሽዑ እቲ መስዋእቱ ንእግዚኣብሄር
ዜቕርብ ንመስዋእቲ ብልዒ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ፡ ብርብዒ ሂን ዘይቲ እተቘምጥዔ፡
የቕርብ። 5 ንመስዋእቲ መስተ ኸኣ ምስቲ ዚሐርር መስዋእቲ ወይ መስዋእቲ ሕሩድ ነንሓደ ገንሸል ርብዒ
ሂን ወይኒ ግበር። 6 ወይ ንድዑል መስዋእቲ ብልዒ ኽልተ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ፡ ብሲሶ ሂን
ዘይቲ እተቘምጥዔ፡ ግበር። 7 ንመስዋእቲ መስተ ድማ ሳልሳይ ኣፍ ሂን ወይኒ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም
ጨና ኣቕርብ። 8 ንዚሐርር መስዋእቲ ወይ ንመስዋእቲ ሕሩድ ድማ ንምፍጻም መብጽዓ ወይ መስዋእቲ
ምስጋና ንእግዚኣብሄር ዝራብዕ እንተ ኣቕረብካ፡ 9 ሽዑ ምስቲ ዝራብዕ ንመስዋእቲ ብልዒ ሰለስተ
ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ፡ ብፈረቓ ሂን ዘይቲ እተቘምጥዔ፡ ኣቕርብ። 10 ንመስዋእቲ መስተ
ድማ፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ፈረቓ ሂን ወይኒ ኣቕርብ። 11 ከምኡ ነንብዕራይ ወይ
ነንድዑል ወይ ነንገንሸል ወይ ነንወጠጦ ይገበር። 12 ከም ቍጽሪ እቶም እትስውእዎም፡ ከምኡ
ነንሓዲኦም ከም ቍጽሮም ግበሩ። 13 ወዲ ዓዲ ዘበለ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ምስ
ዜቕርብ፡ ነዚ ነገር እዚ ኸምዚ ይግበር። 14 ምሳኻትኩም ዚቕመጥ ጓና ወይ ንውሉድ ወለዶኹም ኣብ
ማእከልኩም ዚነብር፡ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና መስዋእቲ ምስ ሓዊ ምስ ዜቕርብ፡ ንሱ ኸምቲ
ንስኻትኩም እትገብርዎ፡ ከምኡ ይግበር። 15 ኣብታ ማሕበር ንኣኻትኩምን ነቲ ምሳኻትኩም ዚነብር
ጓናን ሓደ ሕጊ ይኹን። እዚ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም ይኹን፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እቲ
ጓና ኸማኻትኩም ይኹን። 16 ንኣኻትኩምን ነቲ ምሳኻትኩም ዚነብር ጓናን ሓደ ሕግን ሓደ ፍርድን
ይኹን። 17 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 18 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም በሎም ከኣ፡
ናብታ ኣነ ዘእትወኩም ምድሪ ምስ ኣቶኹም፡ 19 ሽዑ ኪኸውን እዩ፡ ካብ እንጌራ እታ ምድሪ ምስ
እትበልዑ፡ ንእግዚኣብሄር ዚልዐል መስዋእቲ ኣቕርቡ። 20 ካብ ቀዳማይ ብሑቕኩም ዚልዐል መስዋእቲ
ሓደ ቕጫ ኣቕርቡ፡ ከምቲ ኻብ ዓውዲ ዚልዐል መስዋእቲ እትገብርዎ፡ ከምኡ ኣልዕልዎ። 21 ካብቲ
ቐዳማይ ብሑቕኩም ንውሉድ ወለዶኹም ዚልዐል መስዋእቲ ንእግዚኣብሄር ሀቡ። 22-23 እተን
ተጋጊኹም፡ እዚ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝነገሮ ኹሉ ትእዛዛት እዚ፡ እቲ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ
ዝኣዘዘኩም ኩሉ፡ ካብታ እግዚኣብሄር ትእዛዛት ዝሀበላ መዓልቲ ንንየው ከኣ ከሳዕ ውሉድ ወለዶኹም
እንተ ዘይሐሎኹምዎ፡ 24 እዚ ድማ፡ እቲ ኣኼባ ኸይፈለጠ፡ ብጌጋ እንተ ተገብረ፡ ሽዑ ብዘሎ እቲ ኣኼባ
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ንዚሐርር መስዋእቲ ኸምቲ ስርዓቱ፡ ምስ ናይ ብልዒ መስዋእቱን ምስ ናይ
መስተ መስዋእቱን ንመስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ሓደ ድቤላ የቕርብ። 25 ንሱ ብጌጋ እተገብረ እዩ፡ ንሳቶም
ከኣ መስዋእቶም፡ መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር ኣምጽኡ፡ ብዛዕባ ጌጋኦም ድማ ናይ ሓጢኣት
መስዋእቶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕሪቦም እዮም እሞ፡ እቲ ኻህን ከኣ ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ
እስራኤል የተዕርቕ፡ ሽዑ ይሕደገሎም እዩ። 26 ኣብ ብዘሎ ህዝቢ ብዘይ ፍልጠት እተገብረ እዩ እሞ፡
ንብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤልን ኣብ ማእከሎም ንዚነብር ጓናን ይሕደገሎም እዩ። 27 ሓደ ሰብ ብጌጋ
ሓጢኣት እንተ ገበረ፡ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ኣርሕዶ ዓመት የቕርብ። 28 ነቲ ብጌጋ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ሓጢኣት ዝገበረ ሰብ ከኣ ንምትዕራቑ እቲ ኻህን የተዕርቆ፡ ሽዑ ይሕደገሉ እዩ። 29 ብዛዕባ
እቲ ብጌጋ ዚግበር ነገር ንወዲ ዓዲ ኻብ ደቂ እስራኤልን ኣብ ማእከሎም ንዚነብር ጓናን ሓደ ሕጊ

ይኾነልኩም። 30 ወዲ ዓዲ ኾነ ወይ ጓና፡ እቲ ብልዕልቲ ኢድ ሓጢኣት ዚገብር ሰብ ግና፡ ንሱ
ንእግዚብሄር ኣዋሪዱ እዩ እሞ፡ እቲ ሰብ እቲ ኻብ ማእከል ህዝቡ ይመንቈስ። 31 ቃል እግዚኣብሄር
ንዒቑ፡ ትእዛዙ ኸኣ ኣፍሪሱ እዩ እሞ፡ ንሱ ፈጺሙ ይመንቈስ፡ ሓጢኣቱ ኣብ ርእሱ እዩ። 32 ደቂ
እስራኤል ኣብ በረኻ ኸለዉ፡ ሓደ ሰብኣይ ብመዓልቲ ሰንበት ዕጨይቲ ኺኣሪ ረኸቡ። 33 እቶም
ዕጨይቲ ኺኣሪ ዝረኸብዎ ኸኣ ናብ ሙሴን ናብ ኣሮንን ናብ ብዘሎ ኣኼባን ኣቕረብዎ። 34 እቲ ኺገብርዎ
ዚግባእ ኣይተገልጸን ነበረ እሞ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎ። 35 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እቲ
ሰብኣይ እቲ ሞት ይሙት፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ብዳርባ እምኒ ይቕተሎ፡ በሎ። 36 ከምቲ
እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ድማ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ናብ ወጻኢ ሰፈር ኣውጽኡ፡ ብዳርባ እምኒ
ቀተልዎ፡ ሞተ ኸኣ። 37 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 38 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም
በሎም ድማ፡ ንውሉድ ወለዶኹም ኣብ ወሰን ክዳውንቶም ኣዝፋር ኪገብሩ፡ ኣብ ዘዘፈር ወሰን ከኣ
ሰማያዊ ፍሕሶ ኺገብሩ ንገሮም። 39 ነቲ ብእኡ ናብ ምንዝርና እትኸዱ ዘሎኹም፡ ደድሕሪ ድሌት
ልብኹምን ዓይንኹምን ከይትስዕቡ፡ ንእኡ ርኢኹም ንዅሉ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ምእንቲ
ኽትዝክርዎን ክትገብርዎን፡ ዘፈር መዘከሪ ይኹነልኩም። 40 ንዅሉ ትእዛዛተይ ምእንቲ ኽትዝክርዎን
ክትገብርዎን፡ ንኣምላኽኩም ከኣ ቅዱሳን ክትኾኑ እዩ። 41 ኣምላኽኩም ምእንቲ ኽኸውን፡ ካብ ምድሪ
ግብጺ ዘውጻእኩኹም ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ።

## ምዕራፍ 16

1 ቆራሕ ወዲ ይጽሃር፡ ወዲ ቃሃት ወዲ ሌዊ፡ ዳታንን ኣቢራምን ደቂ ኤልያብ፡ ኦን ከኣ ወዲ ጴሌት፡
ደቂ ሮቤል፡ 2 ሓያሎ ሰባት ካብ ደቂ እስራኤል፡ ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሹማምቲ እቲ ኣኼባ፡ ብማሕበር
እተጸውዑ ስሙያት ሰባት ሒዞም ንሙሴ ተላዕልዎ። 3 ንሙሴን ንኣሮንን ኪጻረሩ ተኣኪቦም ድማ፡
ብዘለዉ ኣኼባ ዅሎም ቅዱሳን እዮም፡ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ማእከሎም እዩ እሞ፡ እምብዛ
ኣብዚሕኩምዎ፡ ስለምንታይ ኣብ ልዕሊ ማሕበር እግዚኣብሄር ትዕበዩ ኣሎኹም፧ በልዎም። 4 ሙሴ እዚ
ምስ ሰምዔ፡ ብገጹ ተደፍኤ። 5 ንቆራሕን ነቶም ኣኼባኡን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ እግዚኣብሄር ጽባሕ
እቲ ናቱ ዝኾነን እቲ ቕዱስን እቲ ናብኡ ዜቕርቦን መን ከም ዝኾነ፡ ኬፍልጥ እዩ። ነቲ ዝሐረዮ ኸኣ
ናብኡ ኬቕርቦ እዩ። 6 ከምዚ ግበሩ፡ ቆራሕን ብዘሎ ኣኼባኡን ጸጽንሃህኩም ውሰዱ፡ 7 ጽባሕ ድማ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ሓዊ ግበሩሉ፡ ዕጣን ከኣ ኣእትዉሉ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ እግዚኣብሄር
ዚሐርዮ ሰብኣይ፡ ንሱ ቅዱስ ይኹን። ኣቱም ደቂ ሌዊ፡ እምብዛ ኣብዚሕኩምዎ። 8 ሙሴ ኸኣ ንቆራሕ
በሎ፡ ኣቱም ደቂ ሌዊ፡ ሕጂ ስምዑ። 9 ኣብ ማሕበር እግዚኣብሄር ከተገልግሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣኼባ ደው
ኢልኩም ከኣ ከተገልግልዎም፡ ኣምላኽ እስራኤል ናብኡ ኬቕርበኩም ኢሉ፡ ካብ ኣኼባ እስራኤል
ዝፈለየኩምዶ ውሒዱኩም እዩ፧ 10 ንኣኻን ንዅሎም ኣሕዋትካ ደቂ ሌዊ ድማ ምሳኻን ናብኡ
ኣቕሪቡኩምሲ፡ ክህነትዶ ድማ ደሊኹም፧ 11 ስለዚ ንስኻን ብዘሎ ኣኼባኻን ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር
ኢኹም እተኣከብኩም። ኣሮንከ፡ ኣብ ልዕሊኡ እተጕረምርሙ፡ ንሱ እንታይ እዩ፧ 12 ሙሴ ድማ ንዳታንን
ኣቢራምን፡ ደቂ ኤልያብ፡ ኪጽውዑሉ ለኣኸ። ንሳቶም ከኣ፡ ኣይንድይብን፡ በሉ። 13 ኣብ በረኻ
ኽትቀትለና ኢልካ፡ ካብታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ ዘውጻእካናዶ ውሒዱ እዩ፧ ኣብ ልዕሌና
ኽትሽየምዶ ንርእስኻ ትሸይም፧ 14 ብዝተረፈስ ጸባን መዓርን ናብ እተውሕዝ ምድሪ ኣየእቶኻናን።
ግርሁን ኣታኽልቲ ወይንን ከኣ ኣየረስቴኻናን። ኣዒንቲ እዞም ሰባት እዚኣምዶ ኽተንቍር ደሊኻ ኢኻ፧

ኣይንድይብን። 15 ሙሴ ድማ ኣዝዩ ተናዲዱ ንእግዚኣብሄር፡ ናብ መስዋእቶም ኣይትጠምት፡ ካባታቶም ሓንቲ ኣድጊ እኳ ኣይወሰድኩን፡ ካባታቶም ንሓደ እኳ ኽፉእ ኣይገበርኩን፡ በሎ። 16 ሙሴ ድማ ንቆራሕ፡ ጽባሕ ንስኻን ብዘሎ ኣኼባን፡ ንስኻን ንሳቶምን ኣሮንን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተረኸቡ። 17 ነፍሲ ወከፍ ከኣ ጽንሃሁ ይውሰድ፡ ዕጣን ድማ ይግበረሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ጽንሃሁ ኽልተ ሚእትን ሓምሳን ጽንሃህ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕርቡ፡ ንስኻን ኣሮንን ከኣ ነፍሲ ወከፍ ጽንሃሁ ይውሰድ፡ በሎ። 18 ነፍሲ ወከፍ ከኣ ጽንሃሁ ወሰደ፡ ሓዊ ድማ ገበረሉ፡ ኣብ ልዕሊኡ ከኣ ዕጣን ኣእተዉሉ፡ ምስ ሙሴን ኣሮንን ከኣ ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ደው በሉ። 19 ቆራሕ ድማ ንብዘሎ ኣኼባ ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ኣከቦ። ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ንብዘሎ ኣኼባ ተራእየ። 20 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን፡ 21 ካብ ማእከል እዚ ኣኼባ እዚ ተፈለዩ፡ ብቕጽበት ዓይኒ ኽውድኦም እየ፡ ኢሉ ተዛረቦም። 22 ሽዑ ንሳቶም፡ ኣታ ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ነፍሳት ኩሉ ስጋ፡ ሓጢኣት ዝገበረስ ሓደ ሰብኣይ እዩ፡ ንብዘሎ ኣኼባዶ ኽትቍጥዖ ኢኻ፧ ኢሎም ብገጾም ተደፍኡ። 23 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 24 ነቲ ኣኼባ ኻብ ዙርያ እቲ ሰፈር ቆራሕን ዳታንን ኣቢራምን ኣግልሱ፡ ኢልካ ተዛረቦም። 25 ሙሴ ድማ ተንሲኡ ናብ ዳታንን ኣቢራምን ከደ፡ እቶም ዓበይቲ እስራኤል ከኣ ሰዐብዎ። 26 ነቲ ኣኼባ ኸኣ፡ በጃኹም፡ ካብ ድንኳውንቲ እዞም ሕሱማት ሰባት እዚኣቶም ኣግልሱ፡ ብዅሉ ሓጢኣቶም ከይትጠፍኡ ኸኣ ናቶም ዘበለ ኣይትተንክዩ፡ ኢሊ ተዛረቦም። 27 ንሳቶምውን ካብ ዙርያ እቲ ሰፈር ቆራሕን ዳታንን ኣቢራምን ኣግለሱ። ዳታንን ኣቢራምን ግና ወጺኦም፡ ምስ ኣንስቶምን ደቆምን ሕጻናቶምን ኣብ ኣፍ ድንኳውንቶም ደው በሉ። 28 ሙሴ ኸኣ፡ ካብ ፍቓደይ ዘይኮነ፡ ነዚ ዅሉ ግብሪ እዚ ኽገብር እግዚኣብሄር ከም ዝለኣኸኒ፡ በዚ ኽትፈልጡ ኢኹም። 29 እዞም ሰባት እዚኦም ከም ኣማውታ ዅሉ ሰብ እንተ ሞቱ፡ ወይ ንዅሉ ሰብ ዚበጽሕ ጥራይ እንተ በጽሖም፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ኣይለኣኸንን። 30 እግዚኣብሄር ሓድሽ ነገር እንተ ገበረ ግና፡ እዚኣቶም ምስ ዅሉ ዘለዎም ብህይወቶም ናብ ሲኦል ኪወርዱ፡ ምድሪ ኣፉ ኽፊታ እንተ ወሐጠቶም፡ ሽዑ እዞም ሰባት እዚኦም ንእግዚኣብሄር ከም ዝነዐቕዎ ኽትፈልጡ ኢኹም፡ በለ። 31 ኰነ ኸኣ፡ እዚ ዅሉ ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፡ ኣብ ትሕቲኦም ዘላ ምድሪ ተጨደት፡ 32 ምድሪ ኸኣ ኣፋ ኸፈተት፡ ንኣታቶምን ነባይቶምን ንዅሎም ናይ ቆራሕ ሰብን ንዅሉ ገንዘቦምን ወሓጠቶም። 33 ንሳቶም ምስ ኩሉ ዘለዎም ብህይወቶም ናብ ሲኦል ወረዱ፡ ምድሪ ኸኣ ደፈነቶም፡ ካብ ማእከል ማሕበር ድማ ጠፍኡ። 34 እቶም ኣብ ዙርያኦም ዝነበሩ ብዘለዉ እስራኤል ከኣ ጭራሕምራሖም ሰሚዖም፡ ንኣና ድማ ምድሪ ኸይትውሕጠና፡ ኢሎም ሀደሙ። 35 ካብ እግዚኣብሄር ከኣ ሓዊ ወጸ፡ ነቶም ዚዕጥኑ ዝነበሩ ኽልተ ሚእትን ሓምሳን ሰባት ድማ በልዖም። 36 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 37 ንኣልኣዛር፡ ወዲ ኻህን ኣሮን፡ እቲ ጽንሃሃት ተቐዲሱ እዩ እሞ፡ ካብቲ ንዳድ ኣውጽኣዮ፡ ነቲ ሓዊ ኸኣ ናብዝን ናብትን ፋሕ ኣብሎ፡ በሎ። 38 ነቲ ጽንሃሃት ናይቶም ብሓጢኣቶም ህይወቶም ዘጥፍኡ፡ እቲ መሰውኢ ብእኡ ኺልበጥ ኣርቂቕም ይቐጥቅጥዎ። ናብ ቅድሚ እግዚብሄር ኣቕሪቦምዎ እዮም እሞ፡ ተቐዲሱ እዩ። ንደቂ እስራኤል ድማ ትእምርቲ ይኹን። 39 ኣልኣዛር ካህን ከኣ ነቲ እቶም ዝነደዱ ዘቕረብዎ ጽንሃሃት ኣስራዚ ወሰደ፡ ንመለበጢ መሰውኡ ኪኸውን ከኣ ኣርቀቕዎ። 40 ካብ ዘርኢ ኣሮን ዘይኮነ ጓና ሰብ ኪዕጥን ኢሉ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከይቐርብ፡ ከም ቆራሕን ከም ኣኼባኡን ከይኸውን፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ዝበሎ፡ ንደቂ እስራኤል መዘከርታ ይኹን። 41 ንጽብሒቱ ድማ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ደቂ እስራኤል፡ ንስኻትኩም ንህዝቢ እግዚኣብሄር ቀተልኩምዎ፡ ኢሎም ኣብ ልዕሊ ሙሴን ኣሮንን ኣጕረምረሙ። 42 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ኣኼባ ናብ ልዕሊ ሙሴን ኣሮንን ምስ ተኣከበ፡ ናብ ድንኳን ምርኻብ ኣቢሎም ግልጽ በሉ፡ እንሆ ድማ፡ ደበና

ጐልበቦ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ተራእየ። 43 ሙሴን ኣሮንን ድማ ናብ ቅድሚ ድንኳን ምርኻብ መጹ።
44-45 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ካብ ማእከል እዚ ኣኼባ እዚ ፍልይ በሉ፡ ኣነ ብቕጽበት ዓይኒ
ኽጥፍኦም እየ፡ ኢሉ ተዛረቦም። ንሳቶም ብገጾም ተደፍኡ። 46 ሙሴ ኸኣ ንኣሮን፡ ካብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ቍጥዓ ወጺኡ፡ መዓት ጀሚሩ እዩ እሞ፡ ጽንሃህካ ወሲድካ፡ ካብ መሰውኢ ሓዊ ግበረሉ፡
ዕጣን ከኣ ኣእትወሉ፡ ቀልጢፍካ ድማ ናብቲ ኣኼባ ኺድ እሞ ኣተዐርቆም፡ በሎ። 47 ኣሮን ከኣ፡ ከምቲ
ሙሴ ዝበሎ፡ ጽንሃህ ወሰደ፡ ናብ ማእከል ማሕበር ድማ ጐየየ። እንሆ ኸኣ፡ እቲ መዓት ኣብቶም ህዝቢ
ጀሚሩ ነበረ፡ ዕጣን ገይሩ ድማ ነቲ ህዝቢ ኣተዓረቖ። 48 ኣብ መንጎ ምውታንን ህያዋንን ደው በለ፡ እቲ
መዓት ከኣ ዝግ በለ። 49 ብጀካ እቶም ብሰሪ ቆራሕ ዝሞቱ፡ እቶም ብመዓት ዝሞቱ ዓሰርተው ኣርባዕተ
ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ኰኑ። 50 ኣሮን ድማ ናብ ሙሴ ናብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ተመልሰ፡ እቲ መዓት
ከኣ ዝግ በለ።

# ምዕራፍ 17

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም እሞ ኻባታቶም ከካብ
ማይ ቤት ኣቦታቶም በበትሪ፡ ካብ ኲሎም ሹማምቶም ከከም ማይ ቤት ኣቦታቶም ዓሰርተው ክልተ
በትሪ ውሰድ። ስም ነፍሲ ወከፍ ከኣ ኣብ በበትሩ ጽሐፍ። 3 ነንሹም ማይ ቤት ኣቦታቶም ሓንቲ በትሪ
ትኹን እሞ፡ ስም ኣሮን ኣብ ልዕሊ በትሪ ሌዊ ጽሐፍ። 4 ናብቲ ኣነ ምሳኻትኩም ዝራኸበሉ፡ ናብ ድንኳን
ምርኻብ፡ ኣብ ቅድሚ ምስክር ከኣ ኣንብረን። 5 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ ዝሐሬኾዎ ሰብኣይ፡ በትሩ
ኽትጥጥዕ እያ። እቲ ደቂ እስራኤል ዜጕረምርሙልኩም ምጕርምራም ከኣ ኣብ ቅድመይ መወዳእታ
ኽገብረሉ እየ። 6 ሙሴ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም፡ ኲሎም ሹማምቶም ድማ ኣባትር በብማይ ቤት
ኣቦታቶም፡ ነናይ ሹም ሓደ፡ ዓሰርተው ክልተ በትሪ ሀብዎ። በትሪ ኣሮን ከኣ ኣብ ማእከል ኣባትሮም
ነበረት። 7 ሙሴ ድማ ነተን ኣባትር ኣብ ድንኳን ምስክር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣንበረን። 8 ኰነ ድማ፡
ሙሴ ንጽብሒቱ ናብ ድንኳን ምስክር ኣተወ፡ እንሆ ኸኣ፡ በትሪ ኣሮን፡ እታ ናይ ቤት ሌዊ፡ ጠጢዓ
ጳንሔት፡ ቈጽሊ ኸኣ ኣውጽኤት፡ ዕምባባውን ዓምበበት፡ ብሱል ካዕካዕ ድማ ፈረየት። 9 ሙሴ ኸኣ
ንኹለን ኣባትር ካብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ናብ ኲሎም ደቂ እስራኤል ኣውጽኤን፡ ርእዮም ድማ ነፍሲ
ወከፍ በትሩ ወሰደ። 10 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንደቂ ዓመጻ፡ ምእንቲ ኺይሞቱ፡ ነቲ ናባይ
ምጕርምራሞም መወዳእታ ኽትገብር፡ ትእምርቲ ኽትኰኖም፡ ንበትሪ ኣሮን፡ ኣብኡ ኽትሕሎ፡ ናብ
ቅድሚ ምስክር ምለሳ፡ በሎ። 11 ሙሴ ኸኣ እዚ ገበረ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ኸምኡ ገበረ። 12-13
ደቂ እስራኤል ድማ ንሙሴ፡ እንሆ ሞትና፡ ጠፋእና፡ ኲልና ጠፋእና። ነፍሲ ወከፍ ዝቐረበ፡ ናብ
ማሕደር እግዚኣብሄር ዝቐረበ ይመውት ኣሎ። ኲልናዶ ኽንጠፍእ ኢና፧ ኢሎም ተዛረብዎ።

# ምዕራፍ 18

1 እግዚኣብሄር ድማ ንኣሮን በሎ፡ ንስኻን ደቅኻን ቤት ኣቦኻ ድማ ምሳኻን ነቲ ኽፍኣት መቕደስ ጹሩ።
ንስኻን ደቅኻ ኸኣ ምሳኻን ነቲ ኽፍኣት ክህነትኩም ጹሩ። 2 ኣሕዋትካ ነገድ ሌዊ ነገድ ኣቦኻ ድማ፡
ምሳኻ ኺዮኖም ምእንቲ ኼገልግሉኻ፡ ምሳኻ ኣቕርቦም፡ ንስኻ ግና፡ ደቅኻ ኸኣ ምሳኻ፡ ኣብ ቅድሚ
ድንኳን ምስክር ኩኑ። 3 ንሳቶም ድማ ሓለዋኻን ሓለዋ ኹሉ ድንኳንን ይሐልዉ፡ ንሳቶምን

ንስኻትኩምን ምእንቲ ኸይትሞቱ፡ ናብ ኣቓሑ መቕደስን ናብ መሰውእን ጥራይ ኣይቕረቡ። 4 ኣብ ኵሉ
ኣገልግሎት ድንኳን ምሳኻ ኹይኖም ኣብ ሓለዋ ድንኳን ምርኻብ ይሐልዉ፡ ጓና ግና ኣይቕረብኩም። 5
ድማ መሊሱ ኹራ ናብ ደቂ እስራኤል ምእንቲ ኸይመጽእሲ፡ ንስኻትኩም ሐለዋ መቕደስን ሓለዋ
መሰውእን ሐልዉ። 6 እንሆ፡ ኣነ ነሕዋትኩም ሌዋውያን ካብ ማእከል ደቂ እስራኤል ወሲድክዎም፡
ንኣኻትኩም እተዋህቡ ህያብ እዮም፡ ንሳቶም ኣብ ድንኳን ምርኻብ ኬገልግሉ ንእግዚኣብሄር ተወፊዮም። 7
ንስኻን ደቅኻ ኸኣ ምሳኻን ብናይ መሰውኢ ነገርን ውሽጢ መጋረጃ ዘበለን ክህነትኩም ሐልዉን
ኣገልግሉን። እቲ ኣገልግሎት ክህነት ከም ህያብ ሂበኩም እየ። ጓና እንተ ቐረበ ግና፡ ይሙት። 8
እግዚኣብሄር ድማ ንኣሮን ተዛረቦ፡ እንሆ፡ ኣነ ሓለዋ እቲ ዚልዐል መስዋእተይ፡ እቲ ናይ ደቂ እስራኤል
እተቐደሰ ኹሉ ነገር ክትሕሉ ሂበካ ኣሎኹ። ንኣኻ ብምቕባእ መሰል ዘለኣለም ገይረ ንደቅኻ ሂበዮ
ኣሎኹ። 9 ካብቲ ኻብ ሓዊ ዝተረፈ ቅዱስ ቅዱሳን እዚ ንኣኻ ይኹን፡ እቲ ዜቕርቡለይ ኵሉ መባኦም፡
ኵሉ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ኵሉ ናይ ሓጢኣት መስዋእቶምን ኵሉ ናይ በደል መስዋእቶምን ንሱ
ንኣኻን ንደቅኻን ቅዱስ ቅዱሳን ይኹን። 10 ኣብ ቅዱስ ቅዱሳን ኴንካ ብልዓዮ፡ ኵሉ ተባዕታይ
ይብልዓዮ፡ ቅዱስ ይኹነልካ። 11 እዚ ንኣኻ እዩ፡ እቲ ኻብ መባኦም ዚልዐል መስዋእትን እቲ ደቂ
እስራኤል ዜቕርብዎ ዚውዝወዝ መስዋእትን ንኣኻ፡ ነወዳትካን ነዋልድካን ድማ ምሳኻ፡ መሰል ዘለኣለም
ገይረ ሂበካ ኣሎኹ። ኣብ ቤትካ ንጹህ ዘበለ ይብልዓዮ። 12 ካብ ዘይቲ ዝበለጸ ኹሉን ካብ ወይንን ካብ
ስርናይን ዝበለጸ ኹሉን ንእግዚኣብሄር ዚህብዎ በዅራት ንኣኻ ሂበካ ኣሎኹ። 13 ኣብ ምድሮም ዘሎ
ኹሉ በዅሪ ፍረ ናብ እግዚኣብሄር ዜምጽእዎ ንኣኻ ይኹን፡ ኣብ ቤትካ ንጹህ ዘበለ ኻብኡ ይብላዕ። 14
ኣብ እስራኤል እተሐርመ ኹሉ ንኣኻ ይኹን። 15 ካብ ኵሉ ስጋ፡ ማሕጸን ዚኸፍት ዘበለ፡ ሰብ ኰነ
ሓደው እንስሳ፡ ናብ እግዚኣብሄር ዜቕርብዎ፡ ንኣኻ ይኹን። ንበዅሪ ሰብ ግና በጃ ሀበሉ፡ ንበዅሪ ርኹስ
እንስሳ ኸኣ በጃ ሀበሉ። 16 ነቶም እትብጀዎም ድማ ካብ ወዲ ወርሒ ዝኾነ ከም ገምጋምካ ብሲቃል
መቕደስ፡ ንሱ ኸኣ ዕስራ ጌራ፡ ብሓሙሽተ ሲቃል ብሩር ተበጀዎም። 17 በዅሪ ላምን በዅሪ በጊዕን
በዅሪ ጤልን ግና፡ ቅዱሳት እዮም እሞ፡ ኣይትበጀዎም፡ ደሞም ኣብ መሰውኢ ንጻጎ፡ ስብሖም ከኣ
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና፡ ንመስዋእቲ ሓዊ ኣሕርሮ። 18 ስጋኦም ከኣ ንኣኻ ይኹን፡ ከም ሓኸለ እቲ
ዚውዝወዝ መስዋእትን ከም የማናይ እግርን ንኣኻ ይኹን። 19 ናይቲ ቅዱስ ነገር ደቂ እስራኤል
ንእግዚኣብሄር ዜቕርብዎ ኹሉ ዚልዐል መስዋእቲ ንኣኻ፡ ነወዳትካን ነዋልድካን ድማ ምሳኻ፡ መሰል
ዘለኣለም ገይረ ሂበካ ኣሎኹ። ንሱ ንኣኻን ንዘርእኻ ድማ ምሳኻን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም
ኪዳን ጨው እዩ። 20 እግዚኣብሄር ድማ ንኣሮን በሎ፡ ኣብ ምድሮም ርስቲ ኣይሀሉኻ፡ ኣብ ማእከሎም
ከኣ ግደ ኣይሀሉኻ፡ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ግዴኻን ርስትኻን ኣነ እየ። 21 ንደቂ ሌዊ ድማ ኣብ
ክንዲ እቲ ኣገልግሎቶም፡ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ዜገልግልዎ ኣገልግሎት፡ እንሆ፡ ኵሉ ዕሽር እስራኤል
ንርስቲ ሂበዮም ኣሎኹ። 22 ድሕሪ ደጊም ደቂ እስራኤል ምእንቲ ሓጢኣት ከይጾሩን ከይሞቱን፡ ናብ
ድንኳን ምርኻብ ኣይቕረቡ። 23 ሌዋውያን ግና ኣብቲ ዕዮ ድንኳን ምርኻብ የገልግሉ፡ እቲ በደሎም ከኣ
ንሳቶም ይጹርዎ፡ እዚ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ዘለኣለም ይኹን። ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ድማ
ርስቲ ኣይረስተዩ። 24 እቲ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ንዚልዐል መስዋእቲ ዚህብዎ ዕሽር ሌዋውያን
ርስቲ ሂበዮም እየ እሞ፡ ስለዚ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ርስቲ ኣይሀልዎም፡ በልክዎም። 25
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 26 ንሌዋውያን ተዛረቦም በሎም ከኣ፡ እቲ ኻባታቶም
ከም ርስትኹም ገይረ ዝሀብኩኹም ዕሽር ካብ ደቂ እስራኤል ምስ እትወስዱ፡ ካብኡ ንእግዚኣብሄር
ዚልዐል መስዋእቲ፡ ካብቲ ዕሽርሲ ዕሽር ኣቕርቡ። 27 እዚ ዚልዐል መስዋእትኹም ድማ ከም ስርናይ ካብ

ዓውዲ፡ ከም ወሓዚ ኻብ መጽመቕ ይቝጸረልኩም። 28 ከምኡ ንስኻትኩም ድማ ካብቲ ኻብ ደቂ
እስራኤል እትወስድዎ ዅሉ ዕሽርኩም ንእግዚኣብሄር ዚልዐል መስዋእቲ ኣቕርቡ፡ ካብኡ እቲ ናይ
እግዚኣብሄር ዚልዐል መስዋእቲ ንኻህን ኣሮን ሀቡ። 29 ካብቲ እተዋህበኩም ኲሉ፡ ካብቲ እተቐደሰ ኻብ
ኲሉ እቲ ብሉጹ፡ እቲ ናይ እግዚኣብሄር ዚልዐል መስዋእቱ ኣቕርቡ። 30 በሎም ድማ፡ እቲ ዝበለጸ
ኻብኡ ምስ እተቕርቡ፡ ንሌዋውያን ከምቲ እቶት ዓውድን ከም እቶት መጽመቕን ይቝጸረሎም። 31
ናይቲ ኣብ ድንኳን ምርኻብ እተገልግልዎ ማሕድሮኹም እዩ እሞ፡ ንስኻትኩምን ስድራ ቤትኩምን ኣብ
ዝኾነ ቦታ ብልዕዎ። 32 ካብኡ እቲ ዝበለጸ ምስ ኣልዐልኩም፡ ብዛዕባኡ ሓጢኣት ኣይትጾሩን፡ እቲ ደቂ
እስራኤል ዝቐደስዎ ኸኣ ኣይተርክሱን ኣይትሞቱን ከኣ።

# ምዕራፍ 19

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 2 እቲ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ዝኣዘዞ
ትእዛዝ ሕጊ እዚ እዩ፡ ሓንቲ ጒድለትን ኣበርን ዘብላ፡ ኣርዑት ዘይተሰቕለላ ጣላ ላም ኬምጽኡልካ፡
ንደቂ እስራኤል ንገሮም። 3 እዚኣ ንኻህን ኣልኣዛር ሀብዎ፡ ንሱ ናብ ወጻኢ ሰፈር የውጽኣያ እሞ ሓደ ኣብ
ቅድሚኡ ይሕረዳ። 4 ካህን ኣልኣዛር ከኣ ካብቲ ደማ በጻብዑ ይውሰድ፡ ብሸነኽ ቅድሚት ድንኳን
ምርኻብ ካብ ደማ ሾብዓተ ሳዕ ይንጸግ። 5 ነታ ላም ከኣ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ የንድዳ፡ ቈርበታን ስጋኣን
ደማን ምስናይ ፈርሳ ይንደድ። 6 እቲ ኻህን ድማ ዕጨይቲ ጽሕድን ስምዕዛን ጽሩይ ቀይሕ ፈትልን
ይውሰድ፡ ናብ ማእከል እቲ ኣርሒ እትነደሉ ዘላ ሓዊ ይደርብዮ። 7 እቲ ኻህን ከኣ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡
ስጋኡውን ብማይ ይተሓጸብ፡ ድሕርቲ ናብ ሰፈር ይእቶ። እቲ ኻህን ከኣ ክሳዕ ምሸት ርኹስ ይኹን። 8
እቲ ዘንደዳ ድማ ክዳውንቱ ብማይ ይሕጸብ፡ ስጋኡውን ብማይ ይተሓጸብ፡ ክሳዕ ምሸት ከኣ ርኹስ
ይኹን። 9 ነቲ ሓመኹስቲ እታ ኣርሒ ኸኣ ንጹህ ዝኾነ ሰብ ይኣክቦ። ኣብ ወጻኢ ሰፈር ድማ ኣብ ጽሩይ
ቦታ የንብሮ። እዚ መስዋእቲ ሓጢኣት እዩ እሞ፡ ንኣኼባ ደቂ እስራኤል ንዜንጽህ ማይ ኪኸውን
ይተሓሎ። 10 እቲ ሓመኹስቲ እታ ኣርሒ ዝኣከበ ሰብ ድማ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ ክሳዕ ምሸትውን ርኹስ
ይኹን። እዚ ንደቂ እስራኤልን ኣብ ማእከሎም ንዚነብር ጓናን ሕጊ ዘለኣለም ይኹን። 11 ንዝኾነ ዝሞተ
ስጋ ሰብ ዝተንከየ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ርኹስ ይኹን። 12 ንሱ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ይንጻህ፡ ብሳብዐይቲ
መዓልቲ ኸኣ ኪነጽህ እዩ። በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ እንተ ዘይነጽሄ ግና፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ
ኣይነጽህን እዩ። 13 ናይ ዝሞተ ሰብ ምዉት ስጋ ዝተንከየ ዘበለ እሞ ዘይነጽሄ፡ ንማሕደር እግዚኣብሄር
ኣርከሰ፡ እታ ነፍሲ እቲኣ ኻብ እስራኢል ትመንቈስ። እቲ ማይ ምንጻህ ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዘይተነጽጎ፡
ርኹስ እዩ፡ ርኽሰቱ ገና ኣብ ልዕሊኡ ኣሎ። 14 ሰብ ኣብ ሓደ ድንኳን ምስ ዚመውት፡ እቲ ሕጊ እዚ እዩ፡
ነፍሲ ወከፍ ናብቲ ድንኳን ዝኣተወን ነፍሲ ወከፍ ኣብቲ ድንኳን ዘሎን ሾብዓተ መዓልቲ ርኹስ
ይኹን። 15 ኲሉ ኽፉት፡ ኣብ ልዕሊእ እተኣስረ መኽደን ዜብሉ ኣቕሓ ርኹስ ይኹን። 16 ኣብ መሮር
ብሴፍ ንተቐትለ ወይ ንዝሞተ ወይ ዓጽሚ ሰብ ወይ መቓብር ዝተንከየ ዘበለ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ርኹስ
ይኹን። 17 ነቲ ዝረኸሰ ድማ ካብ ሓመኹስቲ እቲ ዝሐረረ መስዋእቲ ሓጢኣት ይውሰዱ፡ ኣብ ኣቕሓ
ገይሮም ድማ ኣብ ልዕሊኡ ህያው ማይ ይኸዐዉሉ። 18 ሓደ ንጹህ ሰብ ድማ ስምዕዛ ይውሰድ እሞ
ኣብቲ ማይ ጠሚዑ ኣብ ልዕሊ እቲ ድንኳንን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣቓሑን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብኡ ዝነብሩ
ነፍሳትን ኣብ ልዕሊ እቲ ንዓጽሚ ወይ ነቲ እተቐትለ ወይ ንዝሞተ ወይ ንመቓብር ዝተንከየን ይንጸግ።
19 እቲ ንጹህ ኣብ ልዕሊ እቲ ርኹስ በታ ሳልሰይቲ መዓልትን በታ ሳብዐይቲ መዓልትን ይንጸገሉ፡ ኣብታ

ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ ኬንጽሆ እዩ። ክዳውንቱ ድማ ይሕጸብ፡ ብማይ ከኣ ይተሓጸብ፡ ምሸት ድማ
ኪነጽህ እዩ። [20] ዝረኸሰ ሰብ ግና፡ ዘይነጽሄ ኸኣ፡ መቕደስ እግዚኣብሄር ኣርኪሱ እዩ እሞ፡ እታ ነፍሲ
እቲኣ ኻብ ማእከል እታ ማሕበር ትመንቈስ። ማይ ምንጻህ ስለ ዘይተነጽጎውን፡ ርኹስ እዩ። [21] እዚ ድማ
ሕጊ ዘለኣለም ይኹነሎም። እቲ ማይ ምንጻህ ዝነጸገ ኸኣ ክዳውንቱ ይሕጸብ፡ እቲ ማይ ምንጻህ
ዝተንከየ ድማ ክሳዕ ምሸት ርኹስ ይኹን። [22] እቲ ርኹስ ዝተንከየ ዘበለ ኸኣ ርኹስ እዩ፡ ዝተንከየቶ
ነፍሲ ድማ ክሳዕ ምሸት ርኽስቲ ትኹን።

## ምዕራፍ 20

[1] ብዘሎ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ከኣ በታ ቐዳመይቲ ወርሒ ናብ በረኻ ጺን ኣተዉ፡ ኣብ ቃዴስ ድማ
ጸንሑ። ሚርያም ከኣ ኣብኡ ሞተት፡ ኣብኡውን ተቐብረት። [2] እቲ ኣኼባ ድማ ማይ ኣይነበሮን፡ ሽዑ ኣብ
ልዕሊ ሙሴን ኣብ ልዕሊ ኣሮንን ተኣከቡ። [3] እቶም ህዝቢ ኸኣ ንሙሴ፡ እቲ ኣሕዋትና ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኪሞቱ ኸለዉ እንተ ንመውት፡ መን ምሀበና፡ [4] ንሕናን ከብትናን ድማ ኣብኡ ኽንመውት፡
ስለምንታይ ንማሕበር እግዚኣብሄር ናብዚ በረኻ እዚ ኣምጻእኩምዎ፧ [5] ስለምንታይከ ናብዛ ኸፍኣቲ ቦታ
ኽተምጽኡና ኻብ ግብጺ ኣደየብኩምና፧ ናይ ዘርኢ ወይ ናይ በለስ ወይ ናይ ወይኒ ወይ ናይ ሮማን ቦታ
ኣይኰነትን፡ ዚስተ ማይውን የብላን፡ ኢሎም ተቛየቑዎ። [6] ሙሴን ኣሮንን ከኣ ካብ ቅድሚ ማሕበር ናብ
ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ከዱ፡ ብገጾም ድማ ተደፍኡ። ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ተራእዮም። [7] እግዚኣብሄር
ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [8] ነታ በትሪ ውሰዳ፡ ንስኻን ሓውኻ ኣሮንን ከኣ ነቲ ኣኼባ ኣክብዎ፡
ኣብ ቅድሚኦም ድማ ነቲ ኸውሒ ተዛረብዎ፡ ንሱ ኸኣ ማዩ ይሀብ። ንስኻውን ካብቲ ኸውሒ ማይ
ተውጽኣሎም፡ ነቲ ኣኼባን ንኸብቶምን ከኣ ተስቲ። [9] ሙሴ ድማ ኸምቲ ዝኣዘዞ ነታ በትሪ ኻብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ወሰዳ፡ [10] ሙሴን ኣሮንን ድማ ነታ ማሕበር ኣብ ቅድሚ እቲ ኸውሒ ኣኪቦም፡ ኣቱም
ዓለወኛታት፡ ሕጂ ስምዑ፡ ካብዚ ኸውሒ እዚዶ ማይ ከነውጽኣልኩም ኢና፧ በሎም። [11] ሙሴ ድማ
ኢዱ ኣልዒሉ ነቲ ኸውሒ ብበትሩ ኽልተ ሳዕ ወቕዖ፡ ብዙሕ ማይ ከኣ ወጸ፡ እቲ ኣኼባን ከብቶምን
ሰተዩ። [12] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን፡ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ክትቅድሱኒ ብኣይ ስለ
ዘይኣመንኩም፡ ስለዚ ነዛ ማሕበር እዚኣ ናብታ ዝሀብክዎም ምድሪ ኣይተእትውዎምን ኢኹም፡ በሎም።
[13] እዚ ማይ መሪባ፡ እቲ ደቂ እስራኤል ምስ እግዚኣብሄር እተቛየቑሉ፡ ንሱ ኸኣ ኣባታቶም እተቐደሰሉ
እዩ። [14] ሙሴ ድማ ካብ ቃዴስ ናብ ንጉስ ኤዶም፡ ሓውካ እስራኤል ከምዚ ይብል፡ እቲ ዝረኸበና ዅሉ
መከራ ንስኻ ትፈልጥ ኢሎኻ፡ [15] ኣቦታትና ናብ ግብጺ ኸመይ ከም ዝወረዱ፡ ኣብ ግብጺ ኸኣ ነዊሕ ዘበን
ተቐመጥና፡ ግብጻውያን ድማ ንኣናን ነቦታትናን ሐሰሙና። [16] ናብ እግዚኣብሄር ምስ ኣእወና፡ ንሱ ቓልና
ሰምዔ፡ መልኣኽ ሰዲዱ ድማ ካብ ግብጺ ኣውጽኣና። እንሆ ኸኣ፡ ንሕና ኣብ ወሰን ዶብካ ኣብ ዘላ
ኸተማ ቃዴስ ኣሎና። [17] በጃኻ፡ ብምድርካ ኣሕልፈና፡ ብግርሁን ብቦታ ወይንን ኣይንሕልፍን፡ ማይ ዔላ
ኸኣ ኣይንሰትን፡ ዶብና ኽሳዕ እንሕልፍ ንየማን ወይ ንጸጋም ኣይነግልስን፡ ብጐደና ንጉስ ንኸይድ፡ ኢሉ
ልኡኻት ሰደደሉ። [18] ኤዶም ግና፡ ወጺኤ ብሴፍ ከይቃባበለካ፡ ብኣይ ኣይትሕለፍ፡ በሎ። [19] ደቂ
እስራኤል ከኣ፡ ብጐደና መገዲ ንድይብ፡ ኣነን ከብተይን ካብ ማይካ እንተ ሰቴና ድማ፡ ዋጋ እህብ።
ጥራይ እንግረይ ነገር ዜልቦ ኣሕልፈኒ፡ በልዎ። [20] ንሱ ድማ፡ ኣይትሓልፍን፡ በለ። ኤዶም ድማ ምስ
ብዙሕ ህዝብን ብሓያል ኢድን ኪቃባበሎ ወጸ። [21] በዚ ኸምዚ ኤዶም ንእስራኤል ብዶቡ ምሕላፍ ምስ
ከልኦ፡ እስራኤል ካብኡ ኣግለሰ። [22] ካብ ቃዴስ ድማ ተጓዕዙ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ከኣ ናብ

ከረን ሆር መጸ። 23 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴን ንኣሮንን ኣብ ከረን ሆር፡ ኣብ ወሰን ምድሪ ኤዶም፡
ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 24 ኣብ ማይ መሪባ ንትእዛዘይ ስለ ዝኣበኹምዎ፡ ኣሮን ናብቲ ንደቂ እስራኤል
ዝሃብክዎም ምድሪ ኣይኣቱን እዩ እሞ፡ ናብ ሰቡ ይተኣከብ። 25 ንኣሮንን ንኣልኣዛር ወዱን ውሰድ፡ ናብ
ከረን ሆር ድማ ኣደይቦም። 26 ንኣሮን ከኣ ኣልባሱ ግፈፎ ንኣልኣዛር ወዱ ድማ ከድኖ። ኣሮን ከኣ ናብ
ህዝቡ ይተኣከብ፡ ኣብኡውን ይሙት። 27 ሙሴ ኸኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ገበረ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ
እናረአዮምውን ናብ ከረን ሆር ደየቡ። 28 ሙሴ ድማ ንኣሮን ኣልባሱ ገፊፉ ንኣልኣዛር ወዱ ኸደኖ። ኣሮን
ከኣ ኣብኡ ኣብ ርእሲ እቲ ኽረን ሞተ። ሙሴን ኣልኣዛርን ድማ ካብቲ ኽረን ወረዱ። 29 ኩሉ እቲ ኣኼባ፡
ኣሮን ከም ዝሞተ ምስ ረአየ፡ ብዘለዉ ቤት እስራኤል ንኣሮን ሰላሳ መዓልቲ በኸዩሉ።

# ምዕራፍ 21

1 እቲ ኣብ ደቡብ ዚነብር ንጉስ ኣራድ ከነኣናዊ፡ እስራኤል ብመገዲ ኣታሪም ከም ዝመጸ ምስ ሰምዔ፡
ምስ እስራኤል ተዋግኤ፡ ካባታቶም ከኣ ገለ ምርኮ ማረኸ። 2 ሽዑ እስራኤል፡ እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ኢደይ
ኣሕሊፍካ እንተ ሂብካንስ፡ ከተማታቶም ክሐርመን እየ፡ ኢሉ ንእግዚኣብሄር መብጽዓ ተመባጽዔ። 3
እግዚኣብሄር ድማ ቃል እስራኤል ሰምዔ፡ ንከነኣናውያን ከኣ ኣብ ኢዶም ሀቦም፡ ንኣታቶምን
ንኸተማታቶምን ድማ ሐረምዎም፡ ስም እታ ቦታ ኸኣ ሖርማ ተባህለት። 4 ካብ ከረን ሆር ንምድሪ
ኤዶም ኪዞሩ ንባሕሪ ኤርትራ ኣቢሎም ተጓዕዙ፡ ነፍሲ እቲ ህዝቢ ኸኣ ብመገዲ ዓቕሊ ኣጽበበት። 5 እቲ
ህዝቢ ድማ፡ ኣብዚ እንጌራ የልቦን፡ ማይ ድማ የልቦን፡ ነዚ ፈኲሽ እንጌራ ኸኣ ነፍስና መንያቶ እያ እሞ፡
ኣብ በረኻ ኽንመውትከ ስለምንታይ ካብ ግብጺ ኣደየብኩምና፧ ኢሎም ኣብ ኣምላኽን ኣብ ሙሴን
ተዛረቡ። 6 እግዚኣብሄር ከኣ ዚነዱ ኣትማን ናብ ህዝቢ ሰደደ። ነቲ ህዝቢ ድማ ነኸስዎ፡ ካብ እስራኤል
ከኣ ብዙሕ ህዝቢ ሞተ። 7 ሽዑ እቶም ህዝቢ ናብ ሙሴ መጺኦም፡ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄርን ኣብ
ልዕሌኻን ብምዝራብና ሓጢኣት ገበርና፡ ነዞም ኣትማን ኬርሕቐልና ንእግዚኣብሄር ለምነልና፡ በሉ።
ሙሴ ድማ ምእንቲ እቲ ህዝቢ ለመነ። 8 እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ፡ ዚነድድ ተመን ንኣኻ ግበር፡ ኣብ ባላ
ድማ ስቐሎ። ኪኸውን ከኣ እዩ፡ እተነኽሰ ዘበለ ናብኡ እንተ ጠመተ፡ ኪሓዊ እዩ። 9 ሙሴ ኸኣ ካብ
ኣስራዚ ተመን ገበረ፡ ኣብ ባላውን ሰቐሎ። ኰነ ኸኣ፡ ገለ ተመን ንሰብ እንተ ነኸሰ፡ ናብቲ ተመን ኣስራዚ
ምስ ዚጥምት ይሐዊ ነበረ። 10 ደቂ እስራኤል ድማ ተጓዕዙ፡ ኣብ ኦቦት ከኣ ሰፈሩ። 11 ካብ ኦቦት
ተጓዒዞም ድማ፡ ኣብ መንጽር ሞኣብ ብሸነኽ ምብራቕ ኣብ ዘሎ በረኻ ኣብ ዒየዓባሪም ሰፈሩ። 12 ኣብኡ
ተጓዒዞም ከኣ፡ ኣብ ለሰ ዘሬድ ሰፈሩ፡ 13 ካብኡ ተጓዒዞም ድማ፡ ኣብ ማዕዶ እቲ ኣብ በረኻ ዘሎ ኻብ
ዶብ ኣሞራውያን ዚወጽእ ኣርኖን ሰፈሩ። ኣርኖን ከኣ ኣብ መንጎ ሞኣብን ኣሞራውያንን ዘሎ ዶብ ሞኣብ
እዩ። 14 ስለዚ ኣብ መጽሓፍ ውግእ እግዚኣብሄር ተባሂሉ እዩ፡ ዋሄብ ኣብ ሱፋ ለሴታት ኣርኖን ከኣ፡ 15
ናብቲ ዓር እትነብረሉ ዜብል፡ ቍልቍለት ለሴታት ድማ፡ ናብ ዶብ ሞኣብውን ዚጽጋዕ። 16 ካብኡ ድማ
ናብ ቤኤር ተጓዕዙ፡ እቲ እግዚኣብሄር ብዛዕባኡ ንሙሴ፡ ነቲ ህዝቢ ኣክቦ ኣነውን ማይ ክህቦም እየ፡
ዝበሎ ዔላ ንሱ እዩ። 17 ሽዑ እስራኤል እዚ መዝሙር እዚ ዘመረ፡ ኣታ ዔላ፡ ፈልፍል፡ ንእኡ ዘምሩሉ፡ 18
እቲ ሹማምቲ ዝኾዐትዎ፡ ኣውራታት ህዝቢ፡ ብዘንጊ መንግስቲ፡ በባትሮም ዘኰድኰድዎ ዔላ። ካብ
በረኻ ድማ ናብ ማታና፡ 19 ካብ ማታና ኸኣ ናብ ናሓሊኤል፡ ካብ ናሓሊኤል ድማ ናብ ባሞት፡ 20 ካብ
ባሞት ከኣ ናብቲ ኣብ መሮር ሞኣብ ዘሎ ለስ፡ ናብቲ ናብ በረኻ ዚርኢ ርእሲ ጲስጋ ተጓዕዙ። 21-22
እስራኤል ድማ ናብ ሲሆን ንጉስ ኣሞራውያን፡ ብምድርኻ ኣሕልፈኒ፡ ናብ ግርሁን ናብ ወይንን

ኣይነግልስን፡ ማይ ዔላውን ኣይንሰትን፡ ዶብካ ኽሳዕ እንሐልፍ ብጐደና ንጉስ ንኸይድ፡ ኢሉ ልኡኻት
ሰደደ። [23] ሲሆን ከኣ እስራኤል ብዶቡ ኺሐልፍ ኣይፈቐደን እሞ ሲሆን ኵሉ ህዝቡ ኣኪቡ ንእስራኤል
ኪቃባበሎም ናብ በረኻ ወጸ፡ ናብ ያሃጽ መጺኡ ኸኣ ምስ እስራኤል ተዋግኤ። [24] እስራኤል ግና
ብስሕለት ሴፍ ወቕዖ፡ ምድሩ ኸኣ ካብ ኣርኖን ክሳዕ ያቦቅ፡ ክሳዕ ደቂ ኣሞን ወረሰ። ዶብ ደቂ ኣሞን ግና
ጽኑዕ ነበረ። [25] እስራኤል ድማ ንኹለን እተን ከተማታት እቲኤን ሐዘን፡ እስራኤል ከኣ ኣብ ኩለን
ከተማታት ኣሞራውያን፡ ኣብ ሔስቦንን ኩለን ዓድታታን ተቐመጠ። [26] ሔስቦን ከተማ ሲሆን ንጉስ
ኣሞራውያን ነበረት እሞ፡ ንሱ ምስቲ ቐድም ዝነበረ ንጉስ ሞኣብ ተዋጊኡ፡ ንብዘላ ምድሩ ኽሳዕ ኣርኖን
ካብ ኢዱ ወሲድዋ ነበረ። [27] ስለዚ እቶም መሰልቲ ይብሉ፡ ናብ ሔስቦን ንዑ። ከተማ ሲሆን ትነደቕን
ትተዐረድን። [28] ካብ ሔስቦን ሓዊ ወጺኡ እዩ እሞ፡ ካብ ከተማ ሲሆን ድማ ሃልሃልታ፡ ንሱ ንዓር ናይ
ሞኣብን ነቶም ጐይተት በረኽቲ ኣርኖንን በልዔ። [29] ሞኣብ ወይለኺ። ኣታ ህዝቢ ከሞሽ ጠፋእካ።
ኣወዳቱ ንምህዳም፡ ኣዋልዱ ኸኣ ንምርኮ፡ ንሲሆን ንጉስ ኣሞራውያን ሀቦ። [30] ንሕና ወርወርናሎም፡
ሔስቦን ክሳዕ ዲቦን ጠፍኤት። ክሳዕ ኖፋሕ፡ ክሳዕ ሜድባ ዚበጽሕ ኣዐኖና። [31] በዚ ኸምዚ እስራኤል ኣብ
ምድሪ ኣሞራውያን ተቐመጠ። [32] ሙሴ ድማ ናብ ያዕዜር ዚስልዩ ሰደደ፡ ዓድታታውን ሐዙ። ኣብኡ
ንዝነበሩ ኣሞራውያን ከኣ ኣውጽእዎም። [33] ተመሊሶም ድማ ብመገዲ ባሳን ደየቡ። ኦግ ንጉስ ባሳን ከኣ፡
ንሱን ኵሉ ህዝቡን ናብ ኤድረይ ኪዋጋእን ኪቃባበሎምን ወጸ። [34] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንእኡን
ንኹሉ ህዝቡን ምድሩን ኣብ ኢድካ ሂበካ እየ እሞ፡ ኣይትፍርሃዮ። ከምቲ ነቲ ኣብ ሔስቦን ዝነበረ ሲሆን
ንጉስ ኣሞራውያን ዝገበርካዮ፡ ከምኡ ኽትገብሮ ኢኻ፡ በሎ። [35] ንሳቶም ድማ ንእኡን ንደቁን ንኹሉ
ህዝቡን፡ ሓደ እኳ ኽሳዕ ዘይተርፎ፡ ወቕዕዎ። ምድሩ ድማ ወረሱ።

# ምዕራፍ 22

[1] ደቂ እስራኤል ድማ ተጓዕዙ፡ ናብ ስግር ዮርዳኖስ ናይ ያሪኮ ኣብ ጐልጐል ሞኣብ ከኣ ሰፈሩ። [2] ባላቅ
ወዲ ጺጶር ድማ፡ እስራኤል ኣብ ኣሞራውያን ዝገበሮ ዅሉ ረኣየ። [3] ሞኣብ ከኣ፡ እቲ ህዝቢ ብዙሕ ስለ
ዝኾነ፡ ብእኡ ኣዝዩ ፈርሄ። ሞኣብ ብደቂ እስራኤል ተሸበረ። [4] ሞኣብ ከኣ ንዓበይቲ ሚድያን፡ ብዕራይ
ሳዕሪ መሮር ከም ዚበልዕ፡ ሕጂ እዚ ኣኼባ እዚ፡ ኣብ ዙርያና ንዘሎ ንኹሉ ኸምኡ ኺበልዖ እዩ፡
በሎም። በቲ ዘበን እቲ ድማ ባላቅ ወዲ ጺጶር፡ ንጉስ ሞኣብ ነበረ። [5] ንሱ ኸኣ ናብታ ኣብ ጥቓ ርባ ዘላ
ጴጦር ኣብ ሃገር ደቂ ህዝቡ ተቐሚጡ ዘሎ ናብ በላዓም ወዲ ቤዖር፡ ከምዚ ኢሎም ኪጽውዕዎ ልኡኻት
ሰደደሉ፡ እንሆ፡ ካብ ግብጺ ዝወጸ ህዝቢ። እንሆ፡ ንሱ ገጽ ምድሪ ኸዲኑ ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ መንጽረይ
ተቐሚጡ ኣሎ። [6] ንሱ ኻባይ ዚሕይል እዩ እሞ፡ ሕጂ ድማ መጺእካ ነዚ ህዝቢ እዚ ኽትረግመለይ
እልምነካ ኣሎኹ። ንስኻ ዝመረቕካዮ ምሩቕ፡ ዝረገምካዮ ኸኣ ርጉም ከም ዝኾነ እፈልጥ እየ እሞ፡
ምናልባሽ ክወቕዖን ካብ ሃገር ከኣ ከውጽኦን እኽእል እየ። [7] ዓበይቲ ሞኣብን ዓበይቲ ሚድያንን ድማ
ዓስቢ ጥንቍልና ኣብ ኢዶም ሒዞም ከዱ፡ ናብ በላዓም መጺኦም ከኣ ቃል ባላቅ ነገርዎ። [8] ንሱ ድማ፡
ሎም ለይቲ ኣብዚ ሕደሩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝነገረኒ ነገር ከኣ ክመልሰልኩም እየ፡ በሎም። ሹማምቲ
ሞኣብ ድማ ምስ በላዓም ተቐመጡ። [9] ኣምላኽ ድማ ናብ በላዓም መጺኡ፡ እዞም ምሳኻ ዘለዉ ሰባት
እንታዎት እዮም፧ በለ። [10-11] በላዓም ከኣ ንኣምላኽ በሎ፡ ባላቅ ወዲ ጺጶር፡ ንጉስ ሞኣብ፡ እንሆ፡ ካብ
ምስሪ ዝወጸ ህዝቢ ገጽ ምድሪ ኸዲኑ ኣሎ፡ ሕጂ መጺእካ ንእኡ ርገመለይ፡ ምናልባሽ ክዋግኦን
ከውጽኦን እኽእል እየ፡ ኢሉ ለኣኸለይ። [12] ኣምላኽ ድማ ንበላዓም፡ ምሳታቶም ኣይትኺድ፡ ምሩቕ እዩ

እሞ፡ ነቲ ህዝቢ እቲ ኣይትርገሞ፡ በሎ። 13 በላዓም ከኣ ብጊሓት ተንሲኡ ንሹማምቲ ባላቅ፡ እግዚኣብሄር
ምሳኻትኩም ከይከይድ ከሊኡኒ እዩ እሞ፡ ንሃገርኩም ኪዱ፡ በሎም። 14 ሹማምቲ ሞኣብ ድማ ተንስኡ፡
ናብ ባላቅ መጺኦም ከኣ፡ በላዓም ምሳና ምምጻእ ኣብዩ፡ በልዎ። 15 ባላቅ ድማ መሊሱ ኻባታቶም
ዚበዝሑን ዚኸብሩን ሹማምቲ ሰደደ። 16 ናብ በላዓም መጺኦም ከኣ፡ ባላቅ ወዲ ጺጶር፡ በጃኻ፡ ናባይ
ካብ ምምጻእ ኣይትተዐገት፡ 17 ኣዝየ ከኸብረካ እየ፡ እትብለኒ ዅሉ ኸኣ ክገብር እየ እሞ፡ በጃኻ ንዓ፡ ነዚ
ህዝቢ እዚ ርገመለይ፡ ይብል ኣሎ፡ በልዎ። 18 በላዓም ድማ ንገላዉ ባላቅ መለሰሎም በሎም ከኣ፡ ባላቅ
ብቤቱ መሊኡ እኳ ብሩርን ወርቅን እንተ ዚህበኒ፡ ብንእሽቶ ዀነ ወይ ብዓብዪ፡ ቃል እግዚኣብሄር
ኣምላኸይ ከፍርስ ኣይክእልን እየ። 19 ሕጂ ኸኣ እግዚኣብሄር መሊሱ ዚብለኒ ኽፈልጥ ንስኻትኩም በዛ
ለይቲ እዚኣ ድማ ኣብዚ ተቐመጡ። 20 ኣምላኽ ድማ ብለይቲ ናብ በላዓም መጺኡ፡ እዞም ሰባት እዚኦም
ኪጽውዑኻ መጺኦም እንተ ዀይኖም፡ ተንሲእካ ምሳታቶም ኪድ፡ እቲ ኣነ ዝብለካ ጥራይ ደኣ ግበር፡
በሎ። 21 በላዓም ከኣ ብጊሓት ተንስኤ፡ ኣድጉ ጽዒኑ ድማ ምስቶም ሹማምቲ ሞኣብ ከደ። 22 ንሱ ስለ
ዝኸደ ድማ ኲራ ኣምላኽ ነደደ። ንሱ ኣድጉ ተወጢሑ ኽልተ ገላዉኡ ኸኣ ምስኡ ኪኸዱ ኸለዉ፡
መልኣኽ እግዚብሄር ኪኽልከሎ ኣብ መገዲ ደው በለ። 23 እታ ኣድጊ ድማ መልኣኽ እግዚኣብሄር፡
ምሉሕ ሴፍ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ኣብ መገዲ ደዉ ኢሉ ረአየት፡ እታ ኣድጊ ኸኣ ካብ መገዲ ኣግሊሳ ናብ
ግራት ኣቢላ ኸደት። በላዓም ድማ ነታ ኣድጊ ናብ መገዲ ኺመልሳ ወቕዓ። 24 መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ
ኣብ መንጎ ኣታኽልቲ ወይኒ፡ በዚ መንደቕ በቲ ድማ መንደቕ ኣብ ዘለዋ ጸዕትቲ መገዲ ደው በለ። 25
እታ ኣድጊ ኸኣ መልኣኽ እግዚኣብሄር ርእያ፡ ናብቲ መንደቕ ተጸግዔት፡ ንእግዚኣብሄር ርእያ፡ ናብቲ
መንደቕ ተጸግዔት፡ ንእግሪ በላዓም ድማ ናብቲ መንደቕ ኣራጸመቶ። ንሱ ኸኣ መመሊሱ ወቕዓ። 26 እቲ
መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ከም ብሓድሽ ንቕድሚት ሐሊፉ፡ ንየማን ወይ ንጺጋም እተግልስ ኣብ ዜብላ
መገዲ፡ ኣብ ጸቢብ ቦታ ደው በለ። 27 እታ ኣድጊ ኸኣ መልኣኽ እግዚኣብሄር ርእያ፡ ኣብ ትሕቲ በላዓም
በጥ በለት። በላዓም ድማ ኲርዩ ተናደደ፡ ነታ ኣድግ ኸኣ ብበትሪ ወቕዓ። 28 ሽዑ እግዚኣብሄር ኣፍ እታ
ኣድጊ ኸፈተ፡ ንሳ ድማ ንበላዓም፡ እዚ ሰለስተ ሳዕ ዝወቓዕካኒኸ እንታይ ገይረካ እየ በለቶ፧ 29 በላዓም
ከኣ ነታ ኣድጊ፡ ስለ ዘላገጽክለይ፡ ሴፍ ኣብ ኢደይ እንተ ዚህልወንስ፡ ሕጂ ሕጂ እኳ ምቐተልኩኺ፡
በላ። 30 እታ ኣድጊ ድማ ንበላዓም፡ ኣነ ኽሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ነዊሕ ዘበንካ እተወጣሕካኒ ኣድግኻ
ደይኰንኩን፧ ከምዚ ኽገብረካዶ ልማድ ነይሩኒ፧ በለቶ። ንሱ ኸኣ፡ ኣይፋልክን፡ በለ። 31 ሽዑ
እግዚኣብሄር ኣዒንቲ በላዓም ከፈተ እሞ መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ መገዲ ደው ኢሉ፡ ምሉሕ ሴፉ ኸኣ
ኣብ ኢዱ ረአየ። ፍግም ኢሉ ድማ ብገጹ ተደፍኤ። 32 መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ ነዛ
ኣድግኻ ሰለስተ ሳዕ ዝወቓዕካያ፧ እዛ መገዲ እዚኣ ኣብ ቅድመይ ቅንዕቲ ኣይኰነትን እሞ፡ እንሆ፡
ከኽልክለካ ወጻእኩ። 33 እታ ኣድጊ ኸኣ ርእያትኒ፡ ሰለስተ ሳዕ ካብ ቅድመይ ኣግለሰት፡ ካብ ቅድመይ
እንተ ዘይተግልስ፡ ንእኣ ብህይወታ ሐዲገ ንኣኻ ምቐተልኩኻ ነይረ፡ በሎ። 34 በላዓም ድማ ነቲ መልኣኽ
እግዚኣብሄር፡ ንምኽልካለይ ኣብ መገዲ ደው ከም ዝበልካ ኣይፈለጥኩን እሞ፡ በደልኩ። ሕጂ ኸኣ
ዘጕህየካ እንተ ዀይኑስ፡ እምለስ፡ በሎ። 35 መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ንበላዓም፡ ምስ እዞም ሰባት
እዚኦም ኪድ፡ ግናኸ እቲ ኣነ ዝብለካ ጥራይ ደኣ ተዛረብ፡ በሎ። በላዓም ከኣ ምስቶም ሹማምቲ ባላቅ
ከደ። 36 ባላቅ ድማ፡ በላዓም ከም ዝመጸ ምስ ሰምዔ፡ ኪቃባበሎ ናብታ ኣብ ዶብ ኣርኖን ዘላ ኸተማ
ሞኣብ፡ ኣብ ወሰን ዶብ ከደ። 37 ባላቅ ድማ ንበላዓም፡ ንምጽዋዕካ ኣጽኒዔዶ ኣይለኣኽኩልካን፧
ስለምንታይ ደኣ ናባይ ዘይመጻእካ፧ ኣጸቢቐ ከኽብረካዶ ኣይክእልን እየ፧ በሎ። 38 በላዓም ከኣ ንባልቅ፡
እንሆ፡ ናባኻ መጺኤ ኣሎኹ። ሕጂ ገለ ነገር ክዛረብዶ እኽእል እየ፧ እቲ ኣምላኽ ኣብ ኣፈይ ዜንብረለይ

ቃል ንሱ እየ ዝዛረብ፡ በሎ። 39 በላዓም ድማ ምስ ባላቅ ከደ፡ ቅርያትሑጾት ከኣ መጹ። 40 ባላቅ ድማ
ኣብዑርን ኣባጊዕን ሐሪዱ ናብ በላዓምን ናብቶም ምስኡ ዘለዉ ሹማምትን ሰደደ። 41 ኰነ ኸኣ፡
ንጽብሒቱ ባላቅ ንበላዓም ወሲዱ ናብ ባሞትበዓል ኣደየቦ፡ ኣብኡ ኹይኑ ድማ ወሰን እቲ ህዝቢ ረአየ።

## ምዕራፍ 23

1 በላዓም ድማ ንባላቅ፡ ኣብዚ ሾብዓተ መሰውኢ ንደቕለይ እሞ ሾብዓተ ዝራብዕን ሾብዓተ ድዑልን
ኣዳልወለይ፡ በሎ። 2 ባላቅ ከኣ ከምቲ በላዓም ዝበሎ ገበረ፡ ባላቅን በላዓምን ኣብ መመሰውኢ ሓደ
ዝራብዕን ሓደ ድዑልን ሰውኡ። 3 በላዓም ድማ ንባላቅ፡ ኣብ ጥቓ እዚ ዚሐርር መስዋእትኻ ደው በል፡
ኣነ፡ ምናልባሽ እግዚኣብሄር ኪራኸበኒ እንተ ወጸ፡ ክኸይድ እየ፡ እቲ ንሱ ዜርእየኒ ነገር ከኣ ክነግረካ እየ፡
በሎ። ናብ ሓደ መላጥ በሪኽ ድማ ከደ። 4 ኣምላኽ ከኣ ንበላዓም ተጓነፎ፡ ንሱ ድማ፡ ሾብዓተ መሰውኢ
ኣዳሎኹ፡ ኣብ መመሰውኢ ኸኣ ዝራብዕን ድዑልን ሰዋእኩ፡ በሎ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ቃል ኣብ ኣፍ
በላዓም ኣንበረ፡ ናብ ባላቅ ተመሊስካ ኸምዚ ኢልካ ተዛረቦ፡ ከኣ በሎ። 6 ናብኡ ድማ ተመልሰ። እንሆ
ኸኣ፡ ንሱ ምስ ኩሎም ሹማምቲ ሞኣብ ኣብ ጥቓ እቲ ዚሐርር መስዋእቱ ደው ኢሉ ነበረ። 7 ምስላኡ
ኣልዒሉ ድማ በለ፡ ባላቅ ካብ ኣራም፡ ንጉስ ሞኣብ ኣብ ኣኽራን ምብራቕ ኣምጽኣኒ፡ መጺእካ ንያእቆብ
ርገመለይ፡ ንዓ ንእስራኤል ጸይፎ። 8 ኣምላኽ ንዘይረገሞ ኸመይ ኢለ ኽረግሞ፧ እግዚኣብሄር ንዘይጸየፎኸ
ኸመይ ገይረ ኽጽይፍ፧ 9 ካብ ርእሲ ኣኻውሕ ደኣ እርእዮ፡ ካብ ኵርባታት ከኣ እጥምቶ ኣሎኹ። እንሆ፡
ንበይኑ ዚቕመጥ ህዝቢ፡ ምስ ህዝብታትውን ኣይቍጸርን። 10 ነቲ ሓመድ ያእቆብ መን ኪቘጽሮ ይኽእል፧
ወይ ንርብዒ እስራኤል መን ይጽብጽቦ፧ ነፍሰይ ሞት ጻድቃን ትሙት፡ መወዳእታይ ከኣ ከም ናቱ
ይኹን። 11 ባላቅ ድማ ንበላዓም፡ እንታይ እዩ ዝገበርካኒ፡ ንጸላእተይ ክትረግሞም ኣምጻእኩኻ፡ እንሆ
ኸኣ፡ ፈጺምካ መረቕካዮም፡ በሎ። 12 ንሱ ድማ፡ እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ኣፈይ ዘንበሮ ተጠንቂቐ
ኽዛረብዶ ኣይግባእንን እዩ፧ ኢሉ መለሰ። 13 ባላቅ ድማ፡ በጃኻ፡ ኣብኣ ኼንካ ኽትርእዮምሲ፡ ናብ ካልእ
ቦታ ምሳይ ኪድ። ናይ ሓደ ወገን ወሰኖም ትርኢ ኣሎኻ እምበር፡ ንብዘለዉ ኣይትርእዮምን ኢኻ ዘሎኻ፡
ኣብኡ ኼንካ ንኣታቶም ርገመለይ፡ በሎ። 14 ናብ መሮር ጾፊም ናብ ርእሲ ጲስጋ ድማ ወሰዶ፡ ሾብዓተ
መሰውኢ ኸኣ ነደቐ፡ ኣብ መመሰውኢ ድማ ሓደ ዝራብዕን ሓደ ድዑልን ሰውኤ። 15 ንባላቅ ከኣ፡ ኣብዚ
ኣብ ጥቓ ዚሐርር መስዋእትኻ ደው በል ኣነ ኣብኡ ኽራኸቦ ክኸይድ እየ፡ በሎ። 16 እግዚኣብሄር ድማ
ንበላዓም ተራኸቦ፡ ቃል ከኣ ኣብ ኣፉ ኣንበረ፡ ናብ ባላቅ ተመሊስካ ድማ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦ፡ በለ። 17
ናብኡ ኸኣ መጸ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ዚሐርር መስዋእቱ ደው ኢሉ፡ ሹማምቲ ሞኣብውን ምስኡ
ነበሩ። ባላቅ ድማ፡ እግዚኣብሄር እንታይ ተዛሪቡካ፡ በሎ። 18 ሽዑ ምስላኡ ኣልዒሉ በለ፡ ባላቅ፡ ተንስእ፡
ስማዕ ድማ፡ ኣታ ወዲ ጺጶር፡ ናባይ ጽን በል። 19 ኣምላኽ ከይሕሱ፡ ሰብ ኣይኰነን። ከይጠዐስ ከኣ፡ ወዲ
ሰብ ኣይኰነን። ንሱ ዝበሎስ ኣይገብሮንዶ፧ እተዛረቦስ ኣይፍጽሞንዶ፧ 20 እንሆ፡ ክምርቕ ተኣዚዘ እየ።
ንሱ ድማ ባሪኹ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ክመልሶ ኣይከኣለንን። 21 ኣብ ያእቆብ ክፍኣት ኣይጠመተን፡ ኣብ እስራኤል
ከኣ ሕሰም ኣይረኣየን። እግዚኣብሄር ኣምላኹ ምስኡ እዩ፡ እልልታ ንንጉስ ድማ ኣብ ማእከሉ ኣሎ። 22
ኣምላኽ ካብ ግብጺ ኣውጽኣም፡ ሓይሊ ኸም ናይ ርኤም ዝበለ ኣለዎ። 23 ኣብ ያእቆብ ኣስማት፡ ኣብ
እስራኤል ከኣ ጥንቍልና የልቦን። ብዛዕባ ያእቆብን እስራኤልን ብጊዜኡ፡ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ግብሪ
ገበረ፡ ኪብሀል እዩ። 24 እንሆ፡ ህዝቢ ኸም ዋዕሮ ይትንስእ፡ ከም ኣንበሳ ይልዐል። ዝዘረፎ ኽሳዕ ዚበልዕ፡
ደም እቶም ቅቱላት ከኣ ክሳዕ ዚሰቲ በጥ ኣይብልን። 25 ሽዑ ባላቅ ንበላዓም፡ ምርጋም ኣይትርገሞ፡

ምምራቕ ከኣ ኣይትምርቆ፡ በሎ። [26] በላዓም ግና ንባላቅ፡ እግዚኣብሄር ዚብለኒ ዅሉ እየ ዝገብር፡ ኢለዶ
ኣይተዛረብኩኻን፤ ኢሉ መለሰሉ። [27] ባላቅ ድማ ንበላዓም፡ ናብ ካልእ ቦታ ኽወስደካ፡ ምናልባሽ ኣምላኽ
እንተ ሰመሮ፡ ኣብኣ ኼንካ ኽትረግመለይ፡ በጃኻ ንዓ፡ በሎ። [28] ባላቅ ከኣ ንበላዓም፡ ንበረኻ ኣቢሉ ናብ
ዜርኢ፡ ናብ ርእሲ ጴዖር ወሰዶ። [29] በላዓም ድማ ንባላቅ፡ ኣብዚ ሾብዓተ መሰውኢ ንደቐለይ፡ ሾብዓተ
ዝራብዕን ሾብዓተ ድዑልን ከኣ ኣብዚ ኣዳልወለይ፡ በሎ። [30] ባላቅ ድማ ከምቲ በላዓም ዝበሎ ገበረ፡ ኣብ
መመሰውኢ ኸኣ ሓደ ዝራብዕን ሓደ ድዑልን ሰውኤ።

# ምዕራፍ 24

[1] በላዓም ድማ ንእስራኤል ኪምርቖ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ከም ዝኾነ ምስ ረኣየ፡ ገጹ
ንበረኻ ኣቢሉ መለሰ እምበር፡ ከምተን ቀዳሞት ግዝያት ብኣስማት ኪቃባበል ኣይከደን። [2] በላዓም ከኣ
ዓይኑ ኣልዐለ ንእስራኤል ድማ በብነገዶም ሰፊሮም ረኣዮም፡ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ናብ ልዕሊኡ መጸ።
[3] ምስላኡ ኣልዒሉ ኸኣ በለ፡ በላዓም ወዲ ቤዖር፡ ከምዚ ይብል፡ እቲ ኽፉት ኣዒንቲ ዘለዎ ሰብኣይ ድማ
ከምዚ ይብል። [4] እቲ ቓል ኣምላኽ ዚሰምዕ፡ ናይቲ ዅሉ ዚኽእል ራእይ ዘርኢ፡ እቲ ዚወድቕ፡ ኣዒንቱ
ከኣ ዚኽፈታሉ፡ ከምዚ ይብል፡ [5] ኣታ ያእቆብ፡ ድንኳናትካ፡ ኣታ እስራኤል ድማ፡ ማሕደርካ ኽንደይ
ይጽብቕ። [6] ከም ለሴታት፡ ኣብ ገምገም ርባ ኸም ዘሎ ኣታኽልቲ፡ እግዚኣብሄር ከም ዝተኸሎ ዕሬታት፡
ኣብ ወሰን ማይ ከም ዘሎ ጽሕድታት ይዝርግሑ። [7] ካብ ዕትሮኡ ማይ ይጅርበብ፡ ዘርኡ ድማ ኣብ
ብዙሕ ማያት ይኸውን፡ ንጉሱ ኻብ ኣጋግ ክብ ይብል፡ መንግስቱ ኸኣ ክትልዐል እያ። [8] ኣምላኽ ካብ
ግብጺ ኣውጽኦ፡ ሓይሊ ኸም ናይ ርኤም ዝበለ ኣለዎ፡ ነቶም ዚጻረርዎ ህዝብታት ኪበልዖም እዩ፡
ኣዕጽምቶም ከኣ ኪሰባብር እዩ፡ ብመንትጉውን ኪወግኦም እዩ። [9] ንሱ ኸም ኣንበሳ በጥ ኢሉ፡ ከም ዋዕሮ
ድማ ደቂሱ ኣሎ፡ መን የተንስኦ ዚምርቐካ ምሩቕ፡ ዚረግመካ ኸኣ ርጉም ይኹን። [10] ሽዑ ቝጣ ባላቅ ኣብ
በላዓም ነደደ፡ ኣእዳዉ ድማ ኣጣቕዔ፡ ባላቅ ከኣ ንበላዓም፡ ኣነ ንጸላእተይ ክትረግሞም ጸዋዕኩኻ፡ እንሆ
ኸኣ፡ ሕጂ ሰለስተ ሳዕ ኣጸቢቕካ መረቕካዮም። [11] ሕጂ ድማ ናብ ቦታኻ ህደም። ኣነ ኣዝየ ከኽብረካ ኢለ
ነይረ፡ እግዚኣብሄር ግና እንሆ፡ ከይትኽብር ከልኣካ፡ በሎ። [12-13] በላዓም ከኣ ንባላቅ በሎ፡ ነቶም ናባይ
ዝሰደድካዮም ልኡኻትካ፡ ባላቅ ቤቱ ብሩርን ወርቅን መሊኡ እንተ ዚህበኒ እኳ፡ ቃል እግዚኣብሄር
ኣፍሪሰ፡ ጽቡቕ ኰነ ወይስ ክፉእ፡ ከም ልበይ ክገብር ኣይክእልን፡ እግዚኣብሄር ዚብለኒ ንሱ እየ ዝዛረብ፡
ኢለዶ ኣይተዛረብክዎምን፡ [14] ሕጂ ኸኣ እንሆ፡ ናብ ህዝበይ እኸይድ ኣሎኹ። ንዓ፡ እዚ ህዝቢ እዚ
ዳሕሮት መዓልትታት ንህዝብኻ ዚገብሮ ኽነግረካ። [15] ምስላኡ ኣልዒሉ ድማ በለ፡ በላዓም ወዲ ቤዖር
ከምዚ ይብል፡ እቲ ክፉት ኣዒንቲ ዘለዎ ሰብኣይ ከምዚ ይብል፡ [16] እቲ ቓል ኣምላኽ ዚሰምዕ፡ ፍልጠት
እቲ ልዑል ድማ ዚፈልጥ፡ ናይቲ ዅሉ ዚኽእል ራእይ ዘርኢ፡ እቲ ዚወድቕ፡ ኣዒንቱ ኸኣ ዚኽፈታሉ፡
ከምዚ ይብል፡ [17] እርእዮ ኣሎኹ፡ ሕጂ ደኣ ኣይኰነን፡ እጥምቶ ኣሎኹ፡ ግናኸ ቀረባ ኣይኰነን፡ ካብ
ያእቆብ ኰኾብ ይወጽእ፡ ካብ እስራኤል ከኣ በትሪ መንግስቲ ትትንስእ፡ ንሳ ንመሳፍንቲ ሞኣብ
ትወቕዖም፡ ንዅሎም ደቂ መዕገርገርቲ ትጭፍልቖም። [18] ኤዶም ርስቲ ኪኸውን እዩ፡ ሰዒር ናይ ጸላእቱ
ድማ ርስቲ ኽትከውን እያ፡ እስራኤል ከኣ ሓይሊ ኺገብር እዩ። [19] ካብ ያእቆብ ገዛኢ ኺወጽእ እዩ፡ ነቲ
ትርፊ ኸኣ ኻብታ ኸተማ ኺወድኦ እዩ። [20] ንኣማሌቅ ርእዩ ድማ ምስላኡ ኣልዒሉ በለ፡ ኣማሌቅ ካብ
ህዝብታት ቀዳማይ እዩ፡ ዳሕራዩ ግና ንጥፍኣት እዩ። [21] ናብ ቄናውያን ርእዩ ኸኣ ምስላኡ ኣልዒሉ በለ፡
እትነብረሉ ጽኑዕ እዩ፡ ቤትካ ኸኣ ኣብ ከውሒ ተነቢሩ ኣሎ። [22] እዚ ኽነሱ፡ ኣሶር ክሳዕ ዚማርኸካ፡

ቃይን ኪዖኑ እዩ። 23 ምስላኡ ኣልዒሉ ድማ በለ፡ ወይለይ፡ እግዚኣብሄር ነዚ ምስ ዚገብርሲ፡ መን ኮን
ብህይወት ይነብር፧ 24 ካብ ወሰን ኪቲም መራኽብ ኪመጻ እየን፡ ንሳተን ንኣሶር ኬጨንቓ፡ ንዔብርውን
ኬጨንቓ እየን። ንሱ ኸኣ ኪጠፍእ እዩ። 25 በላዓም ድማ ተንሲኡ ኸደ፡ ናብ ቦታኡ ኸኣ ተመልሰ።
ባላቅውን መገዱ ኸደ።

## ምዕራፍ 25

1 እስራኤል ድማ ኣብ ሽጢም ተቐመጠ። እቲ ህዝቢ ኸኣ ምስ ኣዋልድ ሞኣብ ኪምንዝር ጀመረ። 2
ንሳተን ነቲ ህዝቢ ናብ መስዋእቲ ኣማልኽተን ጸውዓኦ። እቲ ህዝቢ ኸኣ በልዔ፡ ንኣማልኽተን ድማ
ሰገደ። 3 እስራኤል ከኣ ምስ በዓልጴዖር ሓበረ። ኲራ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ እስራኤል ነደደ። 4
እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እቲ ነዳዲ ኹራ እግዚኣብሄር ካብ እስራኤል ምእንቲ ኺምለስሲ፡ ንዅሎም
ሓላቑ ህዝቢ ወሲድካ ንእግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ጸሓይ ስቐሎም፡ በሎ። 5 ሙሴ ድማ ንፈራዶ
እስራኤል፡ ነፍሲ ወከፍኩም ነቶም ምስ በዓልጴዖር ዝሓበሩ ሰቡ ይቕተል፡ በሎም። 6 እንሆ ኸኣ፡ ካብ
ደቂ እስራኤል ሓደ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚ ሙሴን ኣብ ቅድሚ ኹሉ ኣኼባ ደቂ እስራኤልን፡ ንሳቶም ኣብ
ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ደው ኢሎም ኪበኽዩ ኸለዉ፡ ሓንቲ ሚድያናዊት ሰበይቲ ናብ ኣሕዋቱ ኣምጽኤ።
7 ፊንሃስ ወዲ ኣልኣዛር፡ ወዲ ኻህን ኣሮን፡ ምስ ረአዮ፡ ካብ ማእከል እቲ ኣኼባ ተንስኤ፡ ኲናትውን ኣብ
ኢዱ ወሰደ፡ 8 ደድሕሪ እቲ እስራኤላዊ ሰብኣይ ናብታ ዝደቀሱላ ኣተወ፡ ነቲ እስራኤላዊ ሰብኣይን ነታ
ሰበይትን ከኣ ረቃቒቶኣ ንኽልቲኦም ወግኦም። እቲ መዓት ድማ ካብ ደቂ እስራኤል ዛረየ። 9 እቶም በቲ
መዓት ዝሞቱ ኸኣ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ኰኑ። 10 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 11
ፊንሃስ ወዲ ኣልኣዛር፡ ወዲ ኻህን ኣሮን፡ ኣብ መንጎኦም ብምቕናኤይ ስለ ዝቐንኤ፡ ንዅራይ ካብ ደቂ
እስራኤል መለሶ እሞ፡ ንደቂ እስራኤል ብቕንኣተይ ኣየጥፋእክዎምን። 12 ስለዚ በል፡ እንሆ፡ ንእኡ ናይ
ሰላም ኪዳነይ እህቦ ኣሎኹ። 13 ንኣምላኹ ቐኒኡ፡ ንደቂ እስራኢል ከኣ ኣተዐሪቑ እዩ እሞ፡ ስለዚ ንእኡ፡
ብድሕሪኡ ድማ ንዘርኡ ኺዳን ክህነት ዘለኣለም ይኹን። 14 ስም እቲ እተቐትለ እስራኤላዊ ሰብኣይ፡
ምስታ ሚድያናዊት ሰበይቲ እተቐትለ፡ ዚምሪ ወዲ ሳሉ፡ ንሱ ኻብ ደቂ ስምኦን፡ ሹም ሓደ ማይ ቤት
ኣቦ ነበረ። 15 ስም እታ እተቐትለት ሚድያናዊት ሰበይቲ ከኣ ኲዝቢ ጓል ጹር፡ ንሱ ኣብ ሚድያን ናይ ሓደ
ማይ ቤት ኣቦ ሓለቓ ህዝቢ ነበረ። 16 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ከምዝ ኢሉ ተዛረቦ፡ 17-18 በቲ ብናይ
ጴዖር ነገር ዝጠበሩኹም ምጥባሮም፡ ድማ ብነገር ኲዝቢ ሓብቶም፡ ጓል ሹም ሚድያን፡ በታ ብዛዕባ
ጴዖር መዓት ዝወረደላ መዓልቲ እተቐትለት፡ ኣጨኒቖምኹም ነይሮም እዮም እሞ፡ ንሚድያናውያን
ኣጨንቕዎምን ውቕዕዎምን።

## ምዕራፍ 26

1-2 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ እዛ መዓት እዚኣ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣልኣዛር ወዲ ኻህን ኣሮንን፡ ንብዘሎ
ኣኼባ ደቂ እስራኤል፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ፡ ኣብ እስራኤል ናብ ውግእ ኪወጽእ ዚኽእል ዘበለ
በብማይ ቤት ኣቦታቶም ቍጸሩ፡ ኢሉ ተዛረቦም። 3 ሙሴን ካህን ኣልኣዛርን ከኣ ኣብ ጐላጉል ሞኣብ፡
ኣብ ዮርዳኖስ ናይ ያሪኮ ኸምዚ ኢሎም ተዛረብዎም፡ 4 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴን ነቶም ካብ ምድሪ
ግብጺ ዝወጹ ደቂ እስራኤልን ዝኣዘዞም፡ ነቶም ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ ቘጸሮም። 5

ሮቤል በኹሪ እስራኤል እዩ። ደቂ ሮቤል፡ ካብ ሓኖክ ዓሌት ሓኖካውያን፡ ካብ ፋሉ ዓሌት ፋላውያን። 6
ካብ ሔስሮን ዓሌት ሔስሮናውያን፡ ካብ ካርሚ ዓሌት ካርማውያን። 7 ዓሌታት ሮቤላውያን እዚኣቶም
እዮም፡ ቍጹራቶም ድማ ኣርብዓን ሰለስተን ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ሰላሳን ኰኑ። 8 ደቂ ፋሉ ኸኣ፡
ኤልያብ። 9 ደቂ ኤልያብ ድማ፡ ነሙኤልን ዳታንን ኣቢራምን። እቲ ምስ ኣኼባ ቆራሕ ኰይኖም
ንእግዚኣብሄር ኪተንስእዎ ኸለዉ፡ ኣብ ልዕሊ ሙሴን ኣብ ልዕሊ ኣሮንን ዝተንስኡ፡ ኣብቲ ኣኼባ
ስሙያት ዝነበሩ ዳታንን ኣቢራምን እዚኣቶም እዮም። 10 ነዚኣቶም፡ በታ ነቶም ክልተ ሚእትን ሓምሳን
ሰብ ሓዊ ዝበልዓላ፡ እቲ ህዝቢ ድማ ዝሞተላ፡ ንሳቶም ከኣ ንምልክት ዝኾኑላ ጊዜ ምድሪ ኣፋ ኸፊታ
ምስ ቆራሕ ወሐጠቶም። 11 ደቂ ቆራሕ ግና ኣይሞቱን። 12 ደቂ ስምኦን በብዓሌቶም፡ ካብ ነሙኤል ዓሌት
ነሙኤላውያን፡ ካብ ያሚን ዓሌት ያሚናውያን፡ ካብ ያኪን ዓሌት ያኪናውያን፡ 13 ካብ ዜራሕ ዓሌት
ዜራሓውያን፡ ካብ ሳውል ዓሌት ሳውላውያን። 14 ዓሌታት ስምኦናውያን እዚኣቶም እዮም፡ ዕስራን
ክልተን ሽሕን ክልተ ሚእትን። 15 ደቂ ጋድ በብዓሌቶም፡ ካብ ጸፎን ዓሌት ጸፎናውያን፡ ካብ ሓጊ ዓሌት
ሓጋውያን፡ ካብ ሹኒ ዓሌት ሹናውያን፡ 16 ካብ ኦዝኒ ዓሌት ኦዝናውያን፡ ካብ ኤሪ ዓሌት ኤራውያን፡ 17
ካብ ኣሮድ ዓሌት ኣሮዳውያን፡ ካብ ኣርኤሊ ዓሌት ኣርኤላውያን፡ 18 ዓሌታት ደቂ ጋድ ከምቲ
እተቘጸርዎ እዚኣቶም እዮም፡ ኣርብዓ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን። 19 ደቂ ይሁዳ፡ ኤርን ኦናንን። ኤርን
ኦናንን ድማ ኣብ ምድሪ ከነኣን ሞቱ። 20 ደቂ ይሁዳ ኸኣ በብዓሌቶም እዚኣቶም እዮም፡ ካብ ሸላ ዓሌት
ሸላውያን፡ ካብ ፋሬስ ዓሌት ፋሬሳውያን፡ ካብ ዜራሕ ዓሌት ዜራሓውያን። 21 ደቂ ፋሬስ ድማ እዚኣቶም
እዮም፡ ካብ ሔጽሮን ዓሌት ሔጽሮናውያን፡ ካብ ሓሙል ዓሌት ሓሙላውያን። 22 ዓሌታት ይሁዳ
ኸምቲ እተቘጸርዎ እዚኣቶም እዮም፡ ሰብዓን ሹድሽተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን። 23 ደቂ ይሳኮር
በብዓሌቶም፡ ካብ ቶላ ዓሌት ቶላውያን፡ ካብ ፉዋ ዓሌት ፉዋውያን፡ 24 ካብ ያሹብ ዓሌት ያሹባውያን፡
ካብ ሺምሮን ዓሌት ሺምሮናውያን። 25 ዓሌታት ይሳኮር ከምቲ እተቘጸርዎ እዚኣቶም እዮም፡ ስሳን
ኣርባዕተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን። 26 ደቂ ዛብሎን በብዓሌቶም፡ ካብ ሰረድ ዓሌት ሰረዳውያን፡ ካብ
ኤሎን ዓሌት ኤሎናውያን፡ ካብ ያሕልኤል ዓሌት ያሕልኤላውያን። 27 ዓሌታት ዛብሎናውያን ከምቲ
እተቘጸርዎ እዚኣቶም እዮም፡ ስሳ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን። 28 ደቂ ዮሴፍ በብዓሌቶም፡ ምናሴን
ኤፍሬምን። 29 ደቂ ምናሴ፡ ካብ ማኪር ዓሌት ማኪራውያን። ማኪር ድማ ንጊልኣድ ወለደ፡ ካብ ጊልኣድ
ዓሌት ጊልኣዳውያን። 30 ደቂ ጊልኣድ እዚኣቶም እዮም፡ ካብ ኢዔዘር ዓሌት ኢዔዘራውያን፡ ካብ ሔለቅ
ዓሌት ሔለቃውያን፡ 31 ካብ ኣስሪኤል ከኣ ዓሌት ኣስሪኤላውያን፡ ካብ ሰኬም ድማ ዓሌት ሰኬማውያን።
32 ካብ ሸሚዳ ኸኣ ዓሌት ሸሚዳውያን፡ ካብ ሔፈር ድማ ዓሌት ሔፈራውያን። 33 ጸሎፈሓድ ወዲ ሔፈር
ከኣ ኣዋልድ እምበር፡ ኣወዳት ኣይነበርዎን። ስም እተን ኣዋልድ ጸሎፈሓድ ድማ፡ ማሕላ፡ ኖዓ፡ ሖግላ፡
ሚልካ፡ ቲርጻ እዩ። 34 ዓሌታት ምናሴ እዚኣቶም እዮም፡ ቍጹራቶም ከኣ ሓምሳን ክልተን ሽሕን ሾብዓተ
ሚእትን ኰኑ። 35 ደቂ ኤፍሬም በብዓሌቶም እዚኣቶም እዮም፡ ካብ ሹተላ ዓሌት ሹተላውያን፡ ካብ
ቤከር ዓሌት ቤከራውያን፡ ካብ ታሓን ዓሌት ታሓናውያን። 36 ደቂ ሹተላ ኸኣ፡ ካብ ዔራን ዓሌት
ዔራናውያን። 37 ዓሌታት ደቂ ኤፍሬም ከምቲ እተቘጸርዎ እዚኣቶም እዮም፡ ሰላሳን ክልተን ሽሕን
ሓሙሽተ ሚእትን። ደቂ ዮሴፍ በብዓሌቶም እዚኣቶም እዮም። 38 ደቂ ብንያም በብዓሌቶም፡ ካብ ቤላዕ
ዓሌት ቤላዓውያን፡ ካብ ኣሽቤል ዓሌት ኣሽቤላውያን፡ ካብ ኣሒራም ዓሊም ኣሒራማውያን። 39 ካብ
ሸፉፋም ዓሌት ሸፉፋማውያን፡ ካብ ሑፋም ዓሌት ሑፋማውያን። 40 ደቂ ቤላዕ፡ ኣርድን ነዓማንን
ነበሩ። ካብ ኣርድ ዓሌት ኣርዳውያን፡ ካብ ነዓማን ዓሌት ነዓማናውያን። 41 ደቂ ብንያም በብዓሌቶም
እዚኣቶም እዮም፡ ቍጽራቶም ከኣ ኣርብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ኰኑ። 42 ደቂ ዳን

በብዓሌቶም እዚኣቶም እዮም፡ ካብ ሹሓም ዓሌት ሹሓማውያን። ዓሌታት ዳን በብዓሌቶም እዚኣቶም እዮም። [43] ኲሎም ዓሌታት ሹሓማውያን ከምቲ እተቘጽርዎ ስሳን ኣርባዕተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ኰኑ። [44] ደቂ ኣሴር በብዓሌቶም፡ ካብ ዪምና ዓሌት ዪምናውያን፡ ካብ ዪሽዊ ዓሌት ዪሽዋውያን፡ ካብ ብሪዓ ዓሌት ብሪዓውያን። [45] ካብ ደቂ ብሪዓ፡ ካብ ሔበር ዓሌት ሔብራውያን፡ ካብ ማልኪኤል ዓሌት ማልኪኤላውያን። [46] ስም ጓል ኣሴር ሳራ ነበረ። [47] ዓሌታት ደቂ ኣሴር ከምቲ እተቘጽርዎ እዚኣቶም እዮም፡ ሓምሳን ሰለስተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን፡ [48] ደቂ ንፍታሌም በብዓሌቶም፡ ካብ ያሕጽኤል ዓሌት ያሕጽኤላውያን፡ ካብ ጉኒ ዓሌት ጉናውያን። [49] ካብ የጸር ዓሌት የጸራውያን፡ ካብ ሺሌም ዓሌት ሺሌማውያን። [50] ዓሌታት ንፍታሌም በብዓሌቶም እዚኣቶም እዮም። ቍጹራቶም ከኣ ኣርብዓን ሓሙሽተን ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ኰኑ። [51] እቶም ካብ ደቂ እስራኤል እተቘጽሩ ሹድሽተ ሚእትን ሓደን ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ሰላሳን ኰኑ። [52] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [53] እታ ምድሪ ነዚኣቶም ብቚጽሪ ስሞም ርስቲ ኾይና ትመቐል። [54] ነቶም ብዙሓት ርስቲ ኣግፍሓሎም፡ ነቶም ሒደት ከኣ ርስቲ ኣንእሰሎም፡ ንነፍሲ ወከፍ ከም ቍጽሩ ርስቱ ይወሃብ። [55] እታ ምድሪ ግና ብዕጭ ውድቕ ትመቐል። ከከም ስም ነገድ ኣቦታቶም ይረስተዩ። [56] እቲ ርስቶም ኣብ መንጎ እቶም ብዙሓትን እቶም ሒደትን ከምታ ዕጫ ዝሀበቶ ይመቐል። [57] እቶም በብዓሌቶም እተቘጽሩ ሌዋውያን ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ካብ ገርሾን ዓሌት ገርሾናውያን፡ ካብ ቃሃት ዓሌት ቃሃታውያን፡ ካብ መራሪ ዓሌት መራራውያን። [58] ዓሌታት ሌዊ እዚኣቶም እዮም፡ ዓሌት ሊብናውያን፡ ዓሌት ሔብሮናውያን፡ ዓሌት ማሕላውያን፡ ዓሌት ሙሻውያን፡ ዓሌት ቆራሓውያን። ቃሃት ከኣ ንኣምራም ወለደ። [59] ስም ሰበይቲ ኣምራም ድማ ዮኬቤድ ነበረ። ንሳ ንሌዊ ኣብ ግብጺ እተወልደትሉ ጓል ሌዊ እያ። ንሳ ኸኣ ንኣምራም ኣሮንን ሙሴን ሚርያም ሓብቶምን ወለደትሉ። [60] ንኣሮን ድማ ናዳብን ኣቢሁን ኣልኣዛርን ኢታማርን ተወልዱሉ። [61] ናዳብን ኣቢሁን ከኣ ጋሻ ሓዊ ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምስ ኣቕረቡ፡ ሞቱ። [62] እቶም ቍጹራቶም ተባዕትዮ ዘበሉ ኸኣ፡ ካብ ወዲ ወርሒ ንላዕሊ ዕስራን ሰለስተን ሽሕ፡ ኰኑ። ንሳቶም ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ርስቲ ኣይተዋህቦምን እሞ፡ ስለዚ ምስ ደቂ እስራኤል ኣይተቘጽሩን። [63] ሙሴን ካህን ኣልኣዛርን ኣብ ዮርዳኖስ ናይ ያሪኮ ኣብ ጐላጕል ሞኣብ ዝቘጸርዎም ደቂ እስራኤል እዚኣቶም እዮም። [64] ካብቶም ሙሴን ካህን ኣሮንን ኣብ በረኻ ሲና ዝቘጸርዎም ቍጹራት ደቂ እስራኤል ግና ሓደ እኳ ኣብ ማእከል እዚኣቶም ኣይነበረን። [65] እግዚኣብሄር ብዛዕባኦም፡ ርግጽ ኣብ በረኻ ኺሞቱ እዮም፡ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ካባታቶም፡ ብጀካ ካሌብ ወዲ የፉኔን እያሱ ወዲ ነዌን፡ ሓደ እኳ ኣይተረፈን።

## ምዕራፍ 27

[1] ኣዋልድ ጸሎፍሓድ ወዲ ሔፈር፡ ወዲ ጊልኣድ ወዲ ማኪር ወድ ምናሴ፡ ካብ ዓሌታት ምናሴ ወዲ ዮሴፍ ከኣ ቀረባ። ስም እተን ኣዋልዱ ድማ እዚ ነበረ፡ ማሕላ፡ ኖዓ፡ ሖግላ፡ ሚልካ፡ ቲርጻ። [2] ኣብ ቅድሚ ሙሴን ኣብ ቅድሚ ኻህን ኣልኣዛርን ኣብ ቅድሚ ሹማምትን ኲሉ ኣኼባን ኣብ ኣፍ ድንኳን ምርኻብ ደው ኢለን፡ [3] ኣቦና ኣብ በረኻ ሞተ፡ ንሱ ኸኣ ብሓጢኣቱ ሞተ እምበር፡ ኣብ ማእከል እቶም በቲ ኣኼባ ቆራሕ ናብ ልዕሊ እግዚኣብሄር እተኣከቡ ኣይነበረን፡ ኣወዳት ድማ ኣይነበርዎን። [4] ወዲ ስለ ዘይነበሮስ፡ ስለምንታይ ስም ኣቦና ኻብ ማእከል ዓሌቱ ዚጠፍእ፡ ኣብ ማእከል ሓወቦታትና ርስቲ ሀበና፡ በላ። [5] ሙሴ ድማ እቲ ነገረን ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕረበ። [6] እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ። [7] ኣዋልድ ጸሎፍሓድ እተዛረባኦ ሓቂ እዩ። ኣብ ማእከል ሓወቦታተን ርስቲ ሀበን፡ እቲ ርስቲ

ኣቦኤን ናባታተን ኣሕልፎ። [8] ንደቂ እስራኤል ድማ ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ ሰብ፡ ወዲ ኽይሐደገ እንተ
ሞተ፡ እቲ ርስቱ ናብ ጓሉ ኣሕልፍዎ። [9] ጓል እንተ ዜብሉ ኸኣ፡ እቲ ርስቱ ነሕዋቱ ሀብዎም። [10] ኣሕዋት
እንተ ዜብሉ ኸኣ፡ እቲ ርስቱ ንሓወቦታቱ ሀብዎም። [11] ኣቦኡ ኣሕዋት እንተ ዜብሉ ድማ፡ እቲ ርስቱ ኻብ
ዓሌቱ ንዚቐርቦ ዘመዱ ሀብዎ፡ ንሱ ይውረሶ። እዚ ኸኣ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ንደቂ
እስራኤል ሕጊ ፍርዲ ይኹን። [12] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ ናብዚ ኸረን ዓባሪም ደይብ፡ እታ
ንደቂ እስራኤል ዝሀብክዎም ምድሪ ኸኣ ርኣያ። [13-14] ምስ ርኤኻያ ድማ፡ እቲ ኣኼባ ኣብ በረኻ ጺን
ኪቋየቘኒ ኸሎ፡ ኣብቲ ማይ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ከይትቕድሱኒ፡ ንቓለይ ስለ ዝዐሎኹም፡ ከምቲ ኣሮን
ሓውካ እተኣከበ፡ ንስኻውን ከምኡ ናብ ህዝብኻ ኽትእከብ ኢኻ። እዚ ኣብ ቃዴስ ኣብ በረኻ ጺን
ዝነበረ ማይ መሪባ እዩ። [15] ሙሴ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [16-17] እቲ ኣኼባ እግዚኣብሄር
ጓሳ ኸም ዜብለን ኣባጊዕ ከይኸውንሲ፡ ኣብ ቅድሚኦም ዚወጽእን ኣብ ቅድሚኦም ዚኣቱን፡ ዜውጽኦምን
ዜእትዎምን፡ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ መናፍስቲ ዅሉ ስጋ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ኣኼባ እዚ ዚኸውን ሰብኣይ
ይመድብ። [18] እግዚኣብሄር ከኣ ንሙሴ በሎ፡ እያሱ ወዲ ነዌ፡ መንፈስ ዘለዎ ሰብኣይ፡ ናባኻ ውሰድ፡
ኢድካ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ኣንብር። [19] ኣብ ቅድሚ ኻህን ኣልኣዛርን ኣብ ቅድሚ ዅሉ ኣኼባን ከኣ ደው
ኣብሎ፡ ኣብ ቅድሚኦም ድማ ኣዝዞ። [20] ኲሉ ኣኬባ ደቂ እስራኤል ምእንቲ ኺእዘዞ ኸኣ፡ ካብ ግርማኻ
ኣብ ልዕሊኡ ኣንብር። [21] ኣብ ቅድሚ ኻህን ኣልኣዛር ድማ ደው ይበል፡ ንሱ ኸኣ ብፍርዲ ኡሪም ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ይሕተተሉ። ንሱን ኲሎም ደቂ እስራኤልን ኲሉ እቲ ኣኼባን ከኣ ምስኡ ብቓሉ
ይውጽኡ። ብቓሉ ድማ ይእተዉ። [22] ሙሴ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ገበረ፡ ንእያሱ ወሲዱ ኣብ
ቅድሚ ኻህን ኣልኣዛርን ኣብ ቅድሚ ዅሉ ኣኼባን ደው ኣበሎ። [23] ንሱ ኸኣ ኣእዳዉ ኣብ ልዕሊኡ
ኣንበረ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ብሙሴ እተዛረቦ ድማ ኣዘዞ።

# ምዕራፍ 28

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [2] ንደቂ እስራኤል፡ መስዋእተይ፡ እቲ ብልዔይ ነቲ
ጥዑም ጨና ዚኾነኒ ናይ ሓዊ መስዋእተይ፡ በቲ ምዱብ ጊዜኡ ኸተቕርቡለይ ሐልዉ፡ ኢልካ ኣዝዞም።
[3] በሎም ድማ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር እተቕርብዎ መስዋእቲ ሓዊ እዚ እዩ፡ ነቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር
መስዋእቲ ነንመዓልቲ ጐደሎ ዜብሎም ክልተ ገንሸል ዓመት፡ [4] ነቲ ሓደ ገንሸል ብጊሓት ሰውኣዮ፡ ነቲ
ኻልኣይ ገንሸልውን ምሸት ሰውኣዮ። [5] ንመስዋእቲ ብልዒ ኸኣ ብርብዒ ሂን ጡዱእ ዘይቲ እተቜምጥዔ
ዓስራይ ኣፍ ኤፋ ድኹም ሓርጭ። [6] እዚ እቲ ኣብ ከረን ሲና እተቐረበ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ፡
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና መስዋእቲ ሓዊ እዩ። [7] ንመስዋእቲ መስተ ኸኣ ምስቲ ሓደ ገንሸል ርብዒ
ሂን ይኹን። እቲ መስዋእቲ መስተ ኻብ ብርቱዕ መስተ ንእግዚኣብሄር ኣብ ቅዱስ ቦታ ይኹዖ። [8] ነቲ
ኻልኣይ ገንሸል ምሸት ሰውኣዮ። ከምቲ ናይ ብጊሓት ምስ መስዋእቲ ብልዕን ምስ መስዋእቲ መስተን
ጌርካ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ንመስዋእቲ ሓዊ ሰውኣዮ። [9] ብመዓልቲ ሰንበት ድማ ክልተ ገንሸል
ዓመት ጐደሎ ዜብሎም፡ ንመስዋእቲ ብልዒ ኸኣ ክልተ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ፡ ብዘይቲ እተቜምጥዔ ድኹም
ሓርጭ፡ ምስኡ ኸኣ ናይ መስተ መስዋእቱ። [10] እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእትን ናይ
መስተ መስዋእቱን፡ ናይ ሰንበተ ሰንበት ዚሐርር መስዋእቲ እዩ። [11] ኣብ መጀመርታ ኣዋርሕኩም ድማ
ክልተ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሾብዓተ ገንሸል ዓመት፡ ጐደሎ ዜብሎም፡ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር
መስዋእቲ ኸተቕርቡ ኢኹም፡ [12] መስዋእቲ ብልዒ ድማ ነንሓደ ዝራብዕ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ ኤፋ፡

ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ነቲ ድዑል መስዋእቲ ብልዒ ኸኣ ክልተ ዓስራይ ኣፍ፡ ብዘይቲ
እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ። 13 ነንሓደ ገንሸል መስዋእቲ ብልዒ ድማ ሓደ ዓስራይ ኣፍ፡ ብዘይቲ
እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ንጥዑም ጨና ዚሐርር መስዋእቲ ሓዊ ንእግዚኣብሄር። 14 ናይ መስተ
መስዋእቶም ድማ ንዝራብዕ ፈረቓ ሂን ወይኒ፡ ንድዑል ከኣ ሳልሳይ ኣፍ ሂን፡ ንገንሸል ከኣ ርብዒ ሂን።
እዚ ኣብ ናይ ዓመት ኣዋርሕ፡ በብወርሒ ዚሐርር መስዋእቲ እዩ። 15 ንመስዋኣቲ ሓጢኣት ድማ ሓደ
ድቤላ ንእግዚኣብሄር የቕርብ፡ እዚ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእትን ናይ መስተ
መስዋእቱን ይሰዋእ። 16 በታ ቐዳመይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ
ኸኣ ፋስጋ እግዚኣብሄር እዩ። 17 ኣብታ ወርሒ እቲኣ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ ድማ
በዓል እዩ። ሾብዓተ መዓልቲ ቕጫ ይበላዕ። 18 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም። ገለ
ዕዮ ኣገልግሎት ኣይትዕየዩ። 19 ግናኸ መስዋእቲ ሓዊ፡ ዚሐርር መስዋእቲ ንእግዚኣብሄር ክልተ ዝራብዕ፡
ሓደ ድዑል፡ ሾብዓተ ገንሸል ዓመት ኣቕርቡ፡ ጐደሎ ዜብሎም ይኹኑልኩም። 20 ናይ ብልዒ መስዋእቶም
ከኣ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ንዝራብዕ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ፡ ንድዑል ክልተ ዓስራይ ኣፍ
ሰውኡ። 21 ነቶም ሾብዓተ ገንሸል ነንሓደ ገንሸል ዓስራይ ኣፍ ሰውእ። 22 ንምትዕራቕኩም ድማ ሓደ
ድቤላ ንመስዋኣቲ ሓጢኣት። 23 ብጀካ እቲ ናይ ብጊሓት ዚሐርር መስዋእቲ፡ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር
መስዋእቲ፡ እዚ ሰውኡ። 24 ኣብ ጸጽባሕ ሾብዓተ መዓልቲ ኸምኡ ግበሩ፡ ብልዒ መስዋእቲ ሓዊ
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና እዩ። እዚ ምስቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእትን ናይ መስተ መስዋእቱን
ይሰዋእ። 25 በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ገለ ዕዮ ኣገልግሎት ኣይትዕየዩ። 26
በታ ቐዳማይ ፍሬኹም ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መስዋእቲ ብልዒ እተቕርቡላ መዓልቲ፡ በቲ ናይ ሰሙን
በዓላትኩም፡ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ገለ ዕዮ ኣገልግሎት ኣይትዕየዩ። 27 ግናኸ ዚሐርር መስዋእቲ
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ኽልተ ዝራብዕ ሓደ ድዑል፡ ሾብዓተ ገንሸል ዓመት ኣቕርቡ። 28 ናይ ብልዒ
መስዋእቶም ድማ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ነንዝራብዕ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ፡ ነቲ ድዑል
ከኣ ክልተ ዓስራይ ኣፍ፡ 29 ነቶም ሾብዓተ ገንሸል ከኣ ነንሓደ ገንሸል ዓስራይ ኣፍ፡ 30 ንምትዕራቕኩም
ድማ ሓደ ድቤላ ሰውኡ። 31 ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ ምስ ናይ ብልዒ መስዋእቱን
ምስ ናይ መስተ መስዋእቶምን እዚ ሰውኡ። ጐደሎ ዜብሎም ከኣ ይኹኑልኩም።

## ምዕራፍ 29

1 ብሳብዐይቲ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒ ኸኣ በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም። ገለ ዕዮ
ኣገልግሎት ኣይትዕየዩ። ንሳ መዓልቲ ቓና መለኸት ትኹነልኩም። 2 ሽዑ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና
ዚሐርር መስዋእቲ፡ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ጐደሎ ዜብሎም ሾብዓተ ገንሸል ዓመት፡ 3 ናይ ብልዒ
መስዋእቶም ከኣ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ነቲ ዝራብዕ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ፡ ነቲ ድዑል
ድማ ክልተ ዓስራይ ኣፍ፡ 4 ነቶም ሾብዓተ ገንሸል ከኣ ነንገንሸል ሓደ ዓስራይ ኣፍ፡ 5 ንመስዋእቲ ሓጢኣት
ከኣ ንምትዕራቕኩም ሓደ ድቤላ፡ 6 እዚ ብጀካ እቲ ናይ መጀመርታ ወርሒ ዚሐርር መስዋእትን ምስ ናይ
ብልዒ መስዋእቱን እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእትን ናይ ብልዒ መስዋእቱን ናይ መስተ
መስዋእቶምን እዚ ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና መስዋእቲ ሓዊ እዩ። 7 ካብዛ ሳብዐይቲ ወርሒ እዚኣ
ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ ኸኣ ቅዱስ ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ነፍስኹም ከኣ ኣዋርዱ። ገለ ዕዮ ኣይትዕየዩ። 8
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ዚሐርር መስዋእቲ፡ ሓደ ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ሾብዓተ ገንሸል ዓመት

ኣቕርቡ፡ ጐደሎ ዜብሎም ከኣ ይኹኑልኩም። 9 ናይ ብልዒ መስዋእቶም ድማ ብዘይቲ እተቘምጥዔ
ድኹም ሓርጭ፡ ንቲ ዝራብዕ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ፡ ንቲ ድዑል ከኣ ክልተ ዓስራይ ኣፍ፡ 10 ነቶም ሾብዓተ
ገንሸል ነንገንሸል ዓስራይ ኣፍ፡ 11 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ንመተዓረቒ ዚኸውን
መስዋእቲ ሓጢኣትን ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእትን ምስ ናይ ብልዒ መስዋእቱን ናይ መስተ
መስዋእቶምን ኣቕርቡ። 12 ኣብታ ሳብዐይቲ ወርሒ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ ቅዱስ
ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ገለ ዕዮ ኣገልግሎት ኣይትዕየዩ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር በዓል ኣብዕሉ። 13
ንእግዚኣብሄር ንጥዑም ጨና ዚሐርር መስዋእቲ መስዋእቲ ሓዊ፡ ኣቕርቡ፡ ዓሰርተው ሰለስተ ዝራብዕ፡
ክልተ ድዑል፡ ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት ኣቕርቡ፡ ገደሎ ዜብሎም ከኣ ይኹኑ። 14 ናይ ብልዒ
መስዋእቶም ከኣ ብዘይቲ እተቘምጥዔ ድኹም ሓርጭ፡ ነቶም ዓሰርተው ሰለስተ ዝራብዕ፡ ነንሓደ
ዝራብዕ ሰለስተ ዓስራይ ኣፍ፡ ነቶም ክልተ ድዑል ድማ ነንሓደ ድዑል ክልተ ዓስራይ ኣፍ፡ 15 ነቶም
ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ከኣ ነንሓደ ገንሸል ዓስራይ ኣፍ፡ 16 ንመስዋእቲ ሓጢኣት ድማ ሓደ ድቤላ፡
እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቱ፡ ምስቲ ናይ ብልዒ መስዋእቱን ናይ መስተ መስዋእቱን
ጌርኩም ኣቕርቡ። 17 ኣብታ ኻልኣይቲ መዓልቲ ድማ፡ ዓሰርተው ክልተ ዝራብዕ፡ ክልተ ድዑል፡ ጐደሎ
ዜብሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት ኣቕርቡ፡ 18 ምስቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ
መስዋእቶምን ነቶም ዝራብዓትን ደዓውልን ገንሸልን ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ፡ 19 ንመስዋእቲ
ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ፡ ምስ ናይ ብልዒ መስዋእቱን
ናይ መስተ መስዋእቶምን ኣቕርቡ። 20 በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ዓሰርተው ሓደ ዝራብዕ፡ ክልተ
ድዑል፡ ጐደሎ ዜብሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት፡ 21 ድማ እቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ
መስተ መስዋእቶምን ነቶም ዝራብዓትን ደዓውልን ገነሸልን፡ ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ፡ 22
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ ምስ ናይ ብልዒ
መስዋእቱን ናይ መስተ መስዋእቱን። 23 በታ ራብዐይቲ መዓልቲ ድማ ዓሰርተ ዝራብዕ፡ ክልተ ድዑል፡
ጐደሎ ዜብሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት፡ 24 ድማ እቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ
መስዋእቶምን፡ ነቶም ዝራብዓትን ደዓውልን ገነሸልን፡ ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ፡ 25
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ ናይ ብልዒ
መስዋእቱን ናይ መስተ መስዋእቱን። 26 በታ ሓምሰይቲ መዓልቲ ድማ ትሽዓተ ዝራብዕ፡ ክልተ ድዑል፡
ጐደሎ ዜብሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት። 27 ድማ እቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ
መስዋእቶምን ነቶም ዝራብዓትን ደዓውልን ገነሸልን፡ ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ፡ 28 ንመስዋእቲ
ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ፡ ምስ ናይ ብልዒ መስዋእቱን
ናይ መስተ መስዋእቱን። 29 በታ ሳድሰይቲ መዓልቲ ድማ ሸሞንተ ዝራብዕ፡ ክልተ ድዑል፡ ጐደሎ
ዜብሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት፡ 30 ድማ እቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ
መስዋእቶምን፡ ነቶም ዝራብዓትን ደዓውልን ገንሸልን፡ ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ። 31
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ፡ ናይ ብልዒ
መስዋእቱን ናይ መስተ መስዋእቱን። 32 በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ሾብዓተ ዝራብዕ፡ ክልተ ድዑል፡
ጐደሎ ዜብሎም ዓሰርተው ኣርባዕተ ገንሸል ዓመት፡ 33 ድማ እቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ
መስዋእቶምን፡ ነቶም ዝራብዓትን ድዓውልን ገንሸልን፡ ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ፡ 34
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ በጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ ናይ ብልዒ
መስዋእቱን ናይ መስተ መስዋእቱን። 35 በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ኽቡር ኣኼባ ይኹነልኩም፡ ኩሉ ዕዮ

ኣገልግሎት ኣይትዕየዩ። 36 ንእግዚኣብሄር ጥዑም ጨና ዚሐርር መስዋኣቲ፡ መስዋእቲ ሓዊ ኣቕርቡ፡ ሓደ
ዝራብዕ፡ ሓደ ድዑል፡ ጕደሎ ዜብሎም ሾብዓተ ገንሸል ዓመት፡ 37 እቲ ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ
መስተ መስዋእቶምን፡ ነቲ ዝራብዕን ነቲ ድዑልን ንገንሸልን፡ ከምቲ ቍጽሮም፡ ከምቲ እተሰርዔ፡ 38
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከኣ ሓደ ድቤላ፡ እዚ ብጀካ እቲ ናይ ወርትግ ዚሐርር መስዋእቲ ናይ ብልዒ
መስዋእቱን ናይ መስተ መስዋእቱን። 39 እዚ ብጀካ እቲ መብጽዓኹምን ናይ ፍቓድ መስዋእትኹምን
ንዚሐርር መስዋእትኹም ኰነ ወይ ናይ ብልዒ መስዋእትኹም ወይ ናይ መስተ መስዋእትኹም ወይ ናይ
ምስጋና መስዋእትኹም በቶም ዓበይቲ በዓላት ንእግዚኣብሄር ከተቕርቡ ኢኹም።

## ምዕራፍ 30

1 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ኹሉ ድማ፡ ሙሴ ንደቂ እስራኤል ነገሮም። 2 ሙሴ ኸኣ ንሓላቑ
ነገድ ደቂ እስራኤል፡ እቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ እዚ እዩ፡ ኢሉ ተዛረቦም፡ 3 ሰብ ንእግዚኣብሄር መብጽዓ
እንተ ተማባጽዔ፡ ወይ ምሒሉ፡ ገለ ነገር ይትረፈኒ ብምባል፡ ነፍሱ ብማሕላ እንተ ኣሰረ፡ ቃሉ ኣየፍርስ፡
ከምቲ ኻብ ኣፉ ዝወጸ ኹሉ ይግበር። 4 ሰበይቲ ድማ ብጊዜ ንእስነታ፡ ኣብ ቤት ኣቦኣ ኸላ፡
ንእግዚኣብሄር መብጽዓ እንተ ተማባጽዔት፡ ብገለ ማእሰር ከኣ እንተ ተኣሰረት፡ 5 ኣቦኣ ድማ መብጽዓኣን
እቲ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ መእሰርን እንተ ሰምዔ፡ እሞ ኣቦኣ ብዛዕባ እዚ ስቕ እንተ በለ፡ ኲሉ መብጽዓኣ
ይቐም፡ እቲ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ ኹሉ መእሰሪ ኸኣ ይቐም። 6 ኣቦኣ በታ ዝሰምዓላ መዓልቲ እንተ ኸልከኣ
ግና፡ ኲሉ መብጽዓኣን እቲ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ መእሰርን ኣይቐውም። ኣቦኣ እዩ ዝኸልከኣ እሞ፡ እግዚኣብሄር
ከኣ ይቕረ ኺብለላ እዩ። 7 ተማባጺዓ ኸላ፡ ወይ ብታህዋኽ ካብ ኣፉ ቓል እንተ መለቓ እሞ፡ ብእኡ ነፍሳ
ኣሲራ ኸላ ኣብ ሰብኣይ እንተ ተኣትወት፡ 8 እቲ ሰብኣያ ኸኣ ሰሚዑ፡ በታ ዝሰምዓላ መዓልቲ ስቕ እንተ
በለ፡ እቲ መብጽዓኣ ይቐም፡ እቲ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ መእሰሪኣ ድማ ይቐም። 9 እቲ ሰብኣያ በታ ዝሰምዓላ
መዓልቲ እንተ ኸልከኣ ግና፡ ንሱ ነቲ መብጽዓኣን ነቲ ብእኡ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ ብታህዋኽ ካብ ኣፉ
ዝመለቖ ቓልን ከንቱ ይገብሮ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኪሐድገላ እዩ። 10 ናይ መበለት ወይ ናይ ፍትሕቲ
ሰበይቲ መብጽኣ ግና፡ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ ኹሉ ይቐመላ። 11 ኣብ ቤት ሰብኣያ ኸላ ድማ፡ እንተ
ተማባጽዔት ወይ ብናይ ማሕላ መእሰሪ ነፍሳ እንተ ኣሰረት፡ 12 ሰብኣያ ኸኣ ሰሚዑ ስቕ እንተ በለ እሞ
እንተ ዘይከልከኣ፡ ኲሉ መብጽዓኣ ይቐም፡ እቲ ነፍሳ ዝኣሰረትሉ ኹሉ መእሰሪ ድማ ይቐም። 13 ሰብኣያ
በታ ዝሰምዓላ መዓልቲ ፈጺሙ ኸንቱ እንተ ገበሮ ግና፡ ብዛዕባ መብጽዓኣ ወይ ብዛዕባ እቲ
እተኣሰረትሉ፡ ካብ ኣፉ ዝወጸ ኹሉ ኣይቐውምን። ሰብኣያ እዩ ኸንቱ ዝገበሮ፡ እግዚኣብሄር ድማ ይቕረ
ኺብለላ እዩ። 14 ነፍሳ ኽተትሕት ኢላ እተማባጸዓቶ ኹሉ ወይ ናይ ማሕላ መእሰሪ ዘበለ ሰብኣያ የቕሞ፡
ሰብኣያ ኸኣ ከንቱ ይገብሮ። 15 ሰብኣያ ኻብ መዓልቲ ንመዓልቲ ስቕ እንተ በለ ግና፡ ንኹሉ መብጸዓኣን
ንኹሉ ኣብ ልዕሊኣ ዘሎ መእሰሪኣን ኣቘሞ፡ በታ ዝሰምዓላ መዓልቲ ስቕ ኢሉ እዩ እሞ፡ ኣቘሞ። 16 ምስ
ሰምዔ፡ ጸኒሑ ፈጺሙ ኸንቱ እንተ ገበሮ ግና፡ ንሱ በደላ ይጸውር። 17 እቲ ብዛዕባ ኣብ መንጎ ሰብኣይን
ሰበይትን፡ ኣብ መንጎ ኣቦን ጓልን ብጊዜ ንእስነታ ኣብ ቤት ኣቦኣ ኸላ፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ
ሕጋጋት እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 31

[1-2] ግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ንደቂ እስራኤል ንሚድያናውያን ሕነ ፍደየሎም፡ ድሕሪኡ ናብ ህዝብኻ
ኽትእከብ ኢኻ፡ ኢሉ ተዛረቦ። [3] ሙሴ ኸኣ ነቲ ህዝቢ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ካባኻትኩም ሰባት ንውግእ
ይዳለዉ፡ ኣብ ሚድያን ሕነ እግዚኣብሄር ኪፈድዮ ኸኣ ንሚድያን ይኺዱ። [4] ካብ ኵሎም ነገዳት
እስራኤል፡ ከካብ ነገድ ሽሕ ሰብ ንውግእ ስደዱ። [5] ካብ ኣሽሓት እስራኤል፡ ከካብ ነገድ ሽሕ ተዋህቡ፡
ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ንውግእ ተዳለዉ። [6] ሙሴ ድማ ነቶም ከካብ ነገድ ሽሕ ዝወጹ፡ ንኣታቶምን ነቲ
ምስ ኣቓሑ መቕደስን መለኸት መመልከትን ኣብ ኢዱ ዝነበሮ ፊንሃስ ወዲ ኻህን ኣልኣዛርን ናብ ውግእ
ሰደዶም። [7] ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝአዘዞ ኸኣ፡ ምስ ሚድያን ተዋግኡ፡ ንዅሉ ተባዕታይ ድማ
ቐተሉ። [8] ንነገስታት ሚድያን ድማ፡ ንኤዊን ሬቀምን ጹርን ሑርን ሬባዕን፡ ነቶም ሓሙሽተ ነገስታት
ሚድያን ምስቶም ቅቱላቶም ቀተልዎም። ንበላዓም ወዲ ቤዖር ድማ ብሴፍ ቀተልዎ። [9] ደቂ እስራኤል
ከኣ ነንስቲ ሚድያንን ንቈልዑኤንን ማረኹ። ኵሉ ማሎምን ኵሉ ጥሪቶምን ኵሉ ገንዘቦምን ዘመቱ። [10]
ንዅለን ዚነብሩለን ከተማታቶምን ኵሉ ሰፈሮምን ከኣ ብሓዊ ኣንደዱ። [11] ኵሉ ሰለባን ኵሉ ምርኮን፡
ሰብ ኰነ ማል ኰነ፡ ወሰዱ። [12] ነቶም ምሩኻትን ነቲ እተዘምተን ነቲ ሰለባን ድማ ናብ ሙሴን ናብ ካህን
ኣልኣዛርን ናብ ኣኼባ ደቂ እስራኤልን፡ ናብቲ ሰፈር ኣብ ጐላጉል ሞኣብ ናይ ዮርዳኖስ፡ ኣብ መንጽር
ያሪኮ ኣምጽእዎ። [13] ሙሴን ካህን ኣልኣዛርን ኵሎም ሹማምቲ እቲ ኣኼባን ድማ ናብ ወጻኢ ሰፈር
ኪቕበልዎም ወጹ። [14] ሙሴ ኸኣ በቶም ካብ ውግእ እተመልሱ ሓላቑ ሰራዊት፡ በቶም ሓላቑ ሽሕን
ሓላቑ ሚእትን፡ ተናደደ። [15] ሙሴ ድማ በሎም፡ ንዅለን ኣንስቲዶ ብህይወት ሓዲግኩምወን፡ [16] እንሆ፡
በቲ ናይ ጴዖር ነገር፡ ብምኽሪ በላዓም፡ ንደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ዘጥለማኦም ንሳተን እየን፡ ስለዚ
ኸኣ ኣብቲ ኣኼባ እግዚኣብሄር መዓት ኰነ። [17] ሕጂ ድማ ካብ ቈልዑ ተባዕታይ ዘበለ ቕተሉ፡ ምስ
ተባዕታይ ብምድቃስ ሰብኣይ ዝፈለጣ ዅለን ኣንስቲ ኸኣ ቅተልወን። [18] ብምድቃስ ንተባዕታይ ዘይፈለጣ
ዅለን ኣዋልድ ግና ንኣኻትኩም ኪኾና ብህይወተን ሕደግወን። [19] ንስኻትኩም ከኣ ክሳዕ ሾብዓተ
መዓልቲ ኣብ ወጻኢ ሰፈር ስፈሩ፡ ሰብ ዝቐተለ ዘበለን እተቐትለ ዝተንከየ ዘበለን ከኣ፡ ንስኻትኩምን
ምሩኻትኩምን፡ ብሳልሰይቲ መዓልትን ብሳብዐይቲ መዓልትን ርእስኹም ኣንጽሁ። [20] ኵሉ ኽዳውንትን
ኵሉ ኣቕሓ ቈርበትን ካብ ጸጕሪ ጤል እተገብረ ዅለን ኵሉ ኣቕሓ ዕጨይትን ኣንጽህዎ። [21] ካህን
ኣልኣዛር ድማ ነቶም ኣብ ውግእ ከይዶም ዝነበሩ ተዋጋእቲ ሰባት በሎም፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝአዘዞ
ትእዛዝ ሕጊ እዚ እዩ፡ [22] ወርቅን ብሩርን፡ ኣስራዚ፡ ሓጺን፡ ቈርቈሮን ዓረርን፡ [23] ሓዊ ዚኽእል ኵሉ ነገር
ብሓዊ ኣሕልፍዎ፡ ይነጽህ ድማ፡ በቲ ዜንጽህ ማይ ከኣ ይንጻህ። ሓዊ ንዘይኽእል ኵሉ ድማ ብማይ
ኣሕልፍዎ። [24] ኣብታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ ክዳውንትኹም ሕጸቡ፡ ትነጽሁ ኸኣ። ድሕርቲ ሰፈር
ትአትዉ። [25] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [26] ንስኻን ካህን ኣልኣዛርን ሓላቑ ማይ ቤት
ኣቦታት ኣኼባን ኳንኩም፡ ነቲ ምርኮ፡ ሰቡን ማሉን፡ ቊጸርዎ። [27] እቲ ምርኮ ነቶም ኣብ ውግእ ዝኸዱ
ተዋጋእትን ንብዘሎ እቲ ኣኼባን ፍርቀ ፍርቂ ጌርኩም ምቐልዎም፡ [28] ካብቶም ናብ ውግእ ከይዶም
ዝነበሩ ሰብ ውግእ፡ ካብ ሰብን ካብ ኣሓን ካብ ኣእዱግን ካብ ኣባጊዕን ከካብ ሓሙሽተ ሚእቲ ሓንቲ
ነፍሲ ንእግዚኣብሄር ግብሪ ኣልዕል። [29] ካብቲ ፍርቆም ውሰዱ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ዚውዝወዝ
መስዋእቲ ኪኸውን፡ ንኻህን ኣልኣዛር ሀቦ። [30] ካብቲ ፍርቂ ናይ ደቂ እስራኤል ከኣ፡ ካብ ሰብ፡ ካብ ኣሓ፡
ካብ ኣእዱግን ካብ ኣባጊዕን፡ ካብ ኵለን ከብቲ ከካብ ሓምሳ ሓደ ውሰድ፡ ነቶም ሓለዋ ማሕደር
እግዚብሄር ዚሕልዉ ሌዋውያን ሀቦም። [31] ሙሴን ካህን ኣልኣዛርን ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ
ዝአዘዞ ገበሩ። [32] እቲ እተዘምተ፡ ካብቲ እቶም ሰብ ውግእ ዝዘመትዎ ዝተረፈ ዝማት ሹድሽተ ሚእትን
ሰብዓን ሓሙሽተን ሽሕ በጊዕ። [33] ሰብዓን ክልተን ሽሕ ላም፡ [34] ስሳን ሓደን ሽሕ ኣድጊ፡ [35] ኵልዅለን

ሰላሳን ክልተን ሽሕ ሰብ ከኣ ምስ ተባዕታይ ምድቃስ ዘይፈላጣ ነፍሳት ኣዋልድ። 36 እቲ ፍርቂ፡ ግደ
እቶም ናብ ውግእ ከይዶም ዝነበሩ፡ ቍጽሪ እተን ኣባጊዕ ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሾብዓን ሽሕ
ሓሙሽተን ሚእትን ኰነ። 37 ካብ ኣባጊዕ ግብሪ ንእግዚኣብሄር ሹድሽተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን
ኰነ። 38 ኣሓ ድማ ሰላሳን ሹድሽተን ሽሕ፡ ካብኡ ግብሪ ንእግዚኣብሄር ሰብዓን ክልተን። 39 ኣእዱግ ከኣ
ሰላሳ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን፡ ካብኡ ግብሪ ንእግዚኣብሄር ስሳን ሓደን፡ 40 ነፍሲ ሰብ ድማ ዓሰርተው
ሹድሽተ ሽሕ፡ ካብኡ ግብሪ ንእግዚኣብሄር ሰላሳን ክልተን ነፍሲ። 41 ሙሴ ድማ እቲ ግብሪ፡ እቲ ናይ
እግዚኣብሄር ዚልዓል መስዋእቲ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ንኻህን ኣልኣዛር ሀቦ። 42 እቲ
ኻብቶም ኣብ ውግእ ዝነበሩ ሙሴ ዝመቐሎ፡ ፈረቓ እቲ ግደ ደቂ እስራኤል ከኣ፡ 43 እቲ ናይቲ ኣኼባ
ፍርቂ፡ ካብ ኣባጊዕ ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሾብዓተን ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን፡ 44 ኣሓ ሰላሳን ሹድሽተን
ሽሕ፡ 45 ኣእዱግ ሰላሳ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን፡ 46 ነፍሲ ሰብ ድማ ዓሰርተው ሹድሽተ ሽሕ ኰነ፡ 47
ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ድማ፡ ሙሴ ኻብዚ ናይ ደቂ እስራኤል ፍርቂ፡ ካብ ሰብን ካብ
እንስሳን፡ ከካብ ሓምሳ ሓደ ወሲዱ፡ ነቶም ሓለዋ ማሕደር እግዚኣብሄር ዚሕልዉ ዝነበሩ ሌዋውያን
ሀቦም። 48 እቶም ኣብ ልዕሊ ኣሽሓት ሰራዊት እተሾሙ ሓላቒ ኣሽሓትን ሓላቒ ሚእትታትን ድማ ናብ
ሙሴ ቐረቡ፡ 49 ንሙሴ ኸኣ፡ ገላዉኻ ቍጽሪ እቶም ኣብ ትሕቴና ዘለዉ ዓቀይቲ ቈጸርና፡ ሓደ ሰብ እኳ
ኣይጐደለናን። 50 ነፍሲ ወከፍ ካባና ድማ ኣቕሓ ወርቂ ዝረከበ፡ ኣልቦ፡ ኣምባር፡ ቀለቤት፡ ኲትሻ፡ ድሪ፡
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኼተዐርቐና፡ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣቕረብና፡ በልዎ። 51 ሙሴን
ካህን ኣልኣዛርን ከኣ ነቲ በብዓይነቱ እተሰርሔ ኣቓሑ ወርቂ ኻባታቶም ወሰድዎ። 52 እቲ ኻብ ሓላቒ
ኣሽሓትን ካብ ሓላቒ ሚእትታትን ንእግዚኣብሄር ዚልዓል መስዋእቲ ዘቕረብዎ ኹሉ ወርቂ ዓሰርተው
ሹድሽተ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ሓምሳን ሲቃል ኰነ። 53 እቶም ሰብ ውግእ፡ ነፍሲ ወከፍ ነንርእሱ፡
ዚኹኖ ማሪኹ ነበረ። 54 ሙሴን ካህን ኣልኣዛርን ነቲ ወርቂ ኻብ ሓላቒ ኣሽሓትን ሚእትታትን ወሲዶም፡
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንመዘከርታ ደቂ እስራኤል ኪኸውን፡ ናብ ድንኳን ምርኻብ ኣእተውዎ።

# ምዕራፍ 32

1 ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ድማ ኣዝየን ብዙሓት ማል ነበራኦም። እንሆ ኸኣ፡ ምድሪ ያዕዜርን ምድሪ
ጊልኣድን ቦታ ማል ከም ዝኾነ ምስ ረኣዩ፡ 2 ደቂ ጋድን ደቂ ሮቤልን መጺኦም፡ ንሙሴን ንኻህን
ኣልኣዛርን ንሹማምቲ ኣኼባን፡ 3 ዓጣሮትን ዲቦንን ያዕዜርን ኒምራህን ሔስቦንን ኤልዓለን ሴባምን ኔቦን
ቤዖንን፡ 4 እዛ ኣብ ቅድሚ ኣኼባ እስራኤል፡ እግዚኣብሄር ዝወቕዓ ምድሪ፡ ምድሪ ማል እያ፡ ገላዉኻ
ድማ ማል ኣለዋና፡ ኢሎም ተዛረብዎም። 5 ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺብናስ፡ እዛ ምድሪ
እዚኣ ንገላዉኻ ርስቲ ትወሀብ፡ ንዮርዳኖስ ኣይተሳግረና፡ ከኣ በሉ። 6 ሙሴ ግና ንደቂ ጋድን ንደቂ
ሮቤልን በሎም፡ ኣሕዋትኩም ናብ ውግእ ኪኸዱ ኸለዉዶ፡ ኣብዚ ኽትተርፉ ኢኹም፧ 7 ስለምንታይ፡
ናብታ እግዚኣብሄር ዝሀቦም ምድሪ ኸይኣትዉ፡ ልቢ ደቂ እስራኤል እተድክሙ፧ 8 ኣቦታትኩም ድማ፡
ምድሪ ኺርእዩ ኢለ ኻብ ቃዴስባርኔዓ ምስ ሰደድክዎም፡ ከምኡ ገበሩ። 9 ክሳዕ ለስ ኤሽኮል ደይቦም ነታ
ምድሪ ምስ ረኣይዋ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ዝሀቦም ምድሪ ኻብ ምእታው ንልቢ ደቂ እስራኤል ኣሸበርዎ።
10 በታ መዓልቲ እቲኣ ከኣ ኲራ እግዚኣብሄር ነደደ እሞ ኸምዚ ኢሉ መሐለ፡ 11-12 ብጀካ ካሌብ ወዲ
የፉኔ ቀኒዛውን እያሱ ወዲ ነዌን፡ ንእግዚኣብሄር ፈጺሞም ስለ ዝሰዐብዎ፡ እዞም ካብ ግብጺ ዝደየቡ
ሰባት ፈጺሞም ስለ ዘይሰዐቡኒ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ ነታ ንኣብርሃም፡ ንይስሃቕ፡

ንያእቶብ ከኣ ዝመሓልኩሎም ምድሪ ኣይርእይዋን እዮም። [13] ኩራ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ እስራኤል ነደደ
እሞ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ዝገበረ ወለዶ ኽሳዕ ዚውዳእ፡ ኣርብዓ ዓመት ኣብ በረኻ
ኰለል ኣበሎም። [14] ኣቱም ትውልዲ ሓጥኣን ሰባት፡ ነቲ ነዳዲ ኹራ እግዚብሄር ኣብ ልዕሊ እስራኤል
ከተበርትዑ፡ እንሆ፡ ኣብ ክንዲ ኣቦታትኩም ተንሲእኩም። [15] ካብ ምስዓቡ እንተ ተመለስኩም፡ ንሱ ኸኣ
መሊሱ ንእስራኤል ኣብ በረኻ ይሐድጎም እሞ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ኹሉ ተጥፍእዎ ኣሎኹም። [16] ንሳቶም
ከኣ ናብኡ ቐሪቦም በሉ፡ ኣብዚ ንማልና ደምቤታት፡ ንቈልዑና ድማ ከተማታት ክንሰርሕ፡ [17] ንሕና ግና፡
ናብታ ቦታኦም ክሳዕ እነእትዎም፡ ቀቅድሚ ደቂ እስራኤል ክንከይድ ተዳሊና ኣጽዋር ሒዝና ኣሎና።
ደቅና ኸኣ ብዛዕባ እቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ፡ ኣብ ጽኑዓት ከተማታት ይቀመጡ። [18] ደቂ እስራኤል
ነፍሲ ወከፍ ረርስቱ ኽሳዕ ዚረክብ፡ ናብ ኣባይትና ኣይንምለስን። [19] ርስትናስ ኣብ ክንጀው ዮርዳኖስ
ብሸነኽ ምብራቕ በጺሑና እዩ እሞ፡ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ኣብ ንየው ምሳታቶም ርስቲ ኣይንወርስን። [20]
ሙሴ ድማ በሎም፡ እዚ ነገርዚ እንተ ጌርኩም፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ንውግእ ኣጽዋር እንተ
ሒዝኩም፡ [21-22] ንጸላእቱ ድማ ካብ ቅድሚኡ ኽሳዕ ዚሰጎም፡ እታ ሃገርውን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ክሳዕ እትግዛእ፡ ኵሎም ሰልፈኛታትኩም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዮርዳኖስ እንተ ተሳጊሮምሲ፡
ድሕርቲ ትምለሱ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤልን ከኣ ብዘይ በደል ትኾኑ፡ እዛ ሃገር እዚኣ ድማ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ርስትኹም ክትከውን እያ። [23] ከምኡ እንተ ዘይገበርኩም ግና፡ እንሆ፡ ኣብ
እግዚኣብሄር ሓጢኣት ገበርኩም፡ ሓጢኣትኩም ከም ዚረኽበኩም ድማ ፍለጡ። [24] ንደቅኹም
ከተማታት፡ ነባጊዕኩም ከኣ ደምቤታት ስርሑ፡ እቲ ኻብ ኣፍኩም ዝወጸ ድማ ግበርዎ። [25] ደቂ ጋድን
ደቂ ሮቤልን ንሙሴ፡ ገላዉኻ ኸምቲ ጐይታይ ዝኣዘዞ ኺገብሩ እዮም። [26] ቈልዑናን ኣንስትናን መጓሰ
ኣባጊዕናን ኩሉ ማልናን ኣብኡ ኣብ ከተማታት ጊልኣድ ይኾኑ። [27] ገላውኻ ግና ኵላቶም ንውግእ
ኣጽዋር ዝሐዙ፡ ከምቲ ጐይታይ ዝበሎ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪዋግኡ ይሳገሩ፡ ኢሎም ተዛረብዎ።
[28] ሙሴ ድማ ንኻህን ኣልኣዛርን ንእያሱ ወዲ ነዌን፡ ንሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ነገዳት ደቂ እስራኤልን
ብዛዕባኦም ኣዘዘ። [29] ሙሴ ኸኣ፡ ደቂ ጋድን ደቂ ሮቤልን ንውግእ ኣጽዋር ዝሐዙ ዅሎም ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኪዋግኡ፡ ምሳኻትኩም ዮርዳኖስ እንተ ተሳገሩ፡ እታ ሃገር ድማ ኣብ ቅድሜኹም እንተ
ተገዝኤት፡ ሽዑ ምድሪ ጊልኣድ ርስቲ ሀብዎም። [30] ኣጽዋር ሒዞም ምሳኻትኩም እንተ ዘይተሳገሩ ግና፡
ኣብ ምድሪ ከነኣን ኣብ ማእከልኩም ይረስተዩ፡ በሎም። [31] ደቂ ጋድን ደቂ ሮቤልን ድማ፡ ከምቲ
እግዚብሄር ንገላዉኻ ዝበሎም፡ ከምኡ ንገብር። [32] ንሕና ኣጽዋር ሒዝና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ንምድሪ ከነኣን ንሳገር፡ እቲ እንርስተዮ ርስቲ ኸኣ ኣብዚ ኣብ ክንጀው ዮርዳኖስ ይኹነልና፡ ኢሎም
መለሱ። [33] ሙሴ ኸኣ ንኣታቶም ንደቂ ጋድን ንደቂ ሮቤልን ንፈረቓ ነገድ ምናሴ ወዲ ዮሴፍን፡ መንግስቲ
ሲሆን ንጉስ ኣሞራውያን፡ መንግስቲ ዖግ ንጉስ ባሳን፡ እታ ሃገር፡ ከተማታታ ምስ ከባቢኤን፡ ናይታ ኣብ
ዙርያ ዘላ ሃገር ከተማታት ድማ ሀቦም፡ [34] ደቂ ጋድ ድማ፡ ዲቦንን ዓጣሮትን ዓሮዔርን፡ [35]
ዓጥሮትሾፋንን ያዕዜርን ዮግብሃን፡ [36] ቤትኒምራን ቤትሃራንን፡ እተዐርዳ ከተማታት፡ ደምቤታት ኣባጊዕ
ከኣ ሰርሑ። [37] ደቂ ሮቤል ድማ ሔስቦንን ኤልዓለን ቂርያታዪምን፡ [38] ኔቦን በዓልሜዖንን ሰርሑ፡ ስመን
ከኣ ተለወጠ፡ ሲብማውን ሰርሑ። ነተን ዝሰርሕወን ከተማታት ከኣ ካልእ ስም ኣውጽኡለን። [39] ደቂ
ማኪር ወዲ ምናሴ ድማ ናብ ጊልኣድ ከይዶም ሐዝዋ፡ ነቶም ኣብኣ ዝነበሩ ኣሞራውያን ከኣ
ሰጐጐዎም። [40] ሙሴ ድማ ንማኪር ወዲ ምናሴ ጊልኣድ ሀቦ፡ ኣብኣ ኸኣ ተቐመጠ። [41] ያኢር ወዲ ምናሴ
ድማ ከይዱ ዓድታቶም ሐዘ፡ ዓድታት ያኢር ኢሉ ኸኣ ሰመየን። [42] ኖባ ድማ ከይዱ ንቄናትን ኣቝሻታን
ሓዛ፡ ብስሙ ኸኣ ኖባ ኣውጽኣላ።

# ምዕራፍ 33

1 ደቂ እስራኤል በብሰራዊቶም ብኢድ ሙሴን ኣሮንን ካብ ምድሪ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ኣጓዕዛኦም እዚ እዩ፡
2 ሙሴ ድማ ነቲ ምውጻኦም ካብ ሰፈር ናብ ሰፈር ምጉዓዞም ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ጸሐፎ። እቲ
ኣጓዕዛኦም ከምቲ ምንቃሎም እዚ እዩ፡ 3-4 በታ ቐዳመይቲ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒ ኸኣ ብመበል
ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ ኻብ ራዕምሴስ ነቐሉ። ግብጻውያን ነቶም እግዚኣብሄር ኣብ ማእከሎም
ዝቐተሎም ኲላቶም በዅርታት ኪቐብሩ ኸለዉ፡ ንኣማልኽቶም ድማ እግዚኣብሄር ምስ ፈረደሎም፡
ሽዑ ደቂ እስራኤል፡ ኲሎም ግብጻውያን እናረአይዎም ብልዕልቲ ኢድ ጽባሕ ፋስጋ ወጹ። 5 ደቂ
እስራኤል ከኣ ካብ ራዕምሴስ ነቐሉ፡ ኣብ ሱኮት ከኣ ሰፈሩ። 6 ካብ ሱኮት ነቒሎም ድማ፡ ኣብታ ኣብ
ወሰን በረኻ ዘላ ኤታም ሰፈሩ። 7 ካብ ኤታም ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ መንጽር በዓልጼፎን ናብ ዘላ ፒሃሒሮት
ተመሊሶም፡ ኣብ መጣምቲ ሚግዶል ሰፈሩ። 8 ካብ መንጽር ሃሒሮት ነቒሎም ድማ፡ ብማእከል ባሕሪ
ገይሮም ናብ በረኻ ሰገሩ። ኣብ በረኻ ኤታም መገዲ ሰለስተ መዓልቲ ኸይዶም ከኣ፡ ኣብ ማራ ሰፈሩ። 9
ካብ ማራ ነቒሎም ድማ፡ ናብ ኤሊም መጹ። ኣብ ኤሊም ከኣ ዓሰርተው ክልተ ዓይኒ ማይን ሰብዓ ኦም
ተምርን ነበረ፡ ኣብኡ ድማ ሰፈሩ። 10 ካብ ኤሊም ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ኤርትራ ሰፈሩ፡ 11 ካብ
ባሕሪ ኤርትራ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ በረኻ ሲን ሰፈሩ። 12 ካብ በረኻ ሲን ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ዶፍቃ ሰፈሩ።
13 ካብ ዶፍቃ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ኣሉሽ ሰፈሩ። 14 ካብ ኣሉሽ ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ረፊዲም ሰፈሩ፡ ኣብኣ
ድማ እቶም ህዝቢ ዚሰትይዎ ማይ ኣይነበረን። 15 ካብ ረፊዲም ነቒሎም ድማ፡ ኣብ በረኻ ሲና ሰፈሩ። 16
ካብ በረኻ ሲና ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ቂብሮትሃታኣባ ሰፈሩ። 17 ካብ ቂብሮትሃታኣባ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ
ሓጼሮት ሰፈሩ። 18 ካብ ሓጼሮት ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ሪትማ ሰፈሩ። 19 ካብ ሪትማ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ
ሪሞንጸሬጽ ሰፈሩ። 20 ካብ ሪሞንጸሬጽ ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ሊብና ሰፈሩ። 21 ካብ ሊብና ነቒሎም ድማ፡
ኣብ ሪሳ ሰፈሩ። 22 ካብ ሪሳ ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ቄሄላታ ሰፈሩ። 23 ካብ ቄሄላታ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ከረን
ሸፈር ሰፈሩ። 24 ካብ ከረን ሸፈር ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ሓራዳ ሰፈሩ። 25 ካብ ሓራዳ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ
ማቅሄሎት ሰፈሩ። 26 ካብ ማቅሄሎት ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ታሕት ሰፈሩ። 27 ካብ ታሓት ነቒሎም ድማ፡
ኣብ ታራ ሰፈሩ። 28 ካብ ታራ ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ሚትቃ ሰፈሩ። 29 ካብ ሚትቃ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ
ሓሽሞና ሰፈሩ። 30 ካብ ሓሽሞና ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ሞሴሮት ሰፈሩ። 31 ካብ ሞሴሮት ነቒሎምውን፡ ኣብ
ብነያዓቃን ሰፈሩ። 32 ካብ ብነያዓቃን ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ሖርሃጊድጋድ ሰፈሩ። 33 ካብ ሖርሃጊድጋድ
ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ዮጥባታ ሰፈሩ። 34 ካብ ዮጥባታ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ዓብሮና ሰፈሩ። 35 ካብ ዓብሮና
ነቒሎምውን፡ ኣብ ኤጽዮንጋበር ሰፈሩ። 36 ካብ ኤጽዮንጋበር ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ በረኻ ጺን ሰፈሩ፡ ንሱ
ቃዴስ እዩ። 37 ካብ ቃዴስ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ወሰን ምድሪ ኤዶም ኣብ ዘሎ ኸረን ሆር ሰፈሩ። 38 ካህን
ኣሮን ከኣ ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ናብ ከረን ሆር ደየበ፡ ደቂ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ዚወጹ
ኣብ መበል ኣርብዓ ዓመት ኣብ ሓምሰይቲ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒ ኸኣ በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኣብኡ
ሞተ። 39 ኣሮን ኣብ ከረን ሆር ኪመውት ከሎ፡ ወዲ ሚእትን ዕስራን ሰለስተን ዓመት ነበረ። 40 እቲ
ከነኣናዊ ንጉስ ኣራድ፡ ኣብ ደቡብ ሃገር ከነኣን ዚነብር ከኣ፡ ደቂ እስራኤል ከም ዝመጹ ሰምዔ። 41 ካብ
ከረን ሆር ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ጻልሞና ሰፈሩ። 42 ካብ ጻልሞና ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ጱኖን ሰፈሩ። 43 ካብ
ጱኖን ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ኣቦት ሰፈሩ። 44 ካብ ኣቦት ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ዒየዓባሪም፡ ዶብ ሞኣብ፡
ሰፈሩ። 45 ካብ ዕዪም ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ዲቦንጋድ ሰፈሩ። 46 ካብ ዲቦንጋድ ነቒሎም ድማ፡ ኣብ
ዓልሞንዲብላታዪም ሰፈሩ። 47 ካብ ዓልሞንዲብላታዪም ነቒሎም ከኣ፡ ኣብ ኣኽራን ዓባሪም ኣብ መንጽር
ኔቦ ሰፈሩ። 48 ካብ ኣኽራን ዓባሪም ነቒሎም ድማ፡ ኣብ ጐላጉል ሞኣብ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ኣብ መንጽር

ያሪኮ፡ ሰፈሩ። [49] ኣብ ዮርዳኖስ፡ ካብ ቤትየሺሞት ክሳዕ ኣቤልሺጢም ኣብ ጐላጕል ሞኣብ ሰፈሩ። [50]
እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ጐላጕል ሞኣብ፡ ኣብ ዮርዳኖስ መንጽር ያሪኮ፡ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [51]
ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም፡ በሎም ከኣ፡ ዮርዳኖስ ተሳጊርኩም፡ ናብ ምድሪ ከነኣን ምስ ኣቶኹም፡ [52]
ነቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ኹሎም ካብ ቅድሜኹም ስጐጕዎም፡ ኵሉ ምስልታቶም ሰባብሩ፡ ኵሉ
ዝፈሰሰ ምስልታቶም ሰባብሩ፡ ኵሉ በረኽቲ ቦታኦም ኣፍርሱ። [53] እታ ሃገር ክትርስተይዋ ሂበኩም እየ
እሞ፡ ነታ ሃገር ተረስተይዋ፡ ኣብኣውን ንበሩ። [54] ነታ ምድሪ ኸከም ዓሌትኩም ብዕጭ ተማቐልዋ። ነቶም
ብዙሓት ገፊሕ ርስቲ ሀብዎም፡ ነቶም ሒደት ድማ ጸቢብ ርስቲ ሀብዎም። ነፍሲ ወከፍ ኣብታ ዕጬ
ዝበጽሓቶ ኣብኣ ይረስተ፡ ከከም ነገድ ኣቦታትኩም ተረስተዩ። [55] ነቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ኻብ
ቅድሜኹም እንተ ዘይሰጐጕኩምዎም ግና፡ እቶም ካባታቶም ዘትረፍኩምዎም ኣብ ኣዒንትኹም እሾኹ፡
ኣብ መሰንገሌኹም ከኣ ዳንዴር ኪኾኑኹም እዮም፡ ኣብታ እትነብርዋ ሃገር ኬጨንቑኹም እዮም። [56]
ኪኽውን ድማ እዩ፡ ከምቲ ንኣታቶም ክገብሮም ዝሐሰብኩ፡ ንኣኻትኩም ከምኡ ኽገብረኩም እየ።

## ምዕራፍ 34

[1] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [2] ንደቂ እስራኤል ኣዝዞም፡ በሎም ከኣ፡ ናብ ምድሪ
ከነኣን ምስ ኣቶኹም፡ እታ ንርስቲ እትበጽሓኩም ምድሪ እዚኣ እያ፡ ምድሪ ከነኣን ክሳዕ ወሰናታ። [3]
ሸነኽ ደቡብ ምድርኹም ካብቲ ብወገን ኤዶም ዘሎ በረኻ ጺን ይኹን እሞ፡ ናብ ደቡብ ዶብኩም ካብ
ወሰን ባሕሪ ጨው ንምብራቑ ይኹን። [4] ዶብኩም ብደቡብ ዓቐበት ዓቅራቢም ዞይሩ ናብ ጺን ይሕለፍ።
ብደቡብ ቃዴስባርኔዓ ኣቢሉ ድማ ይውጻእ። ብሓጻርኣዳር ወጺኡ ኸኣ ናብ ዓጽሞን ይሕለፍ። [5] ካብ
ዓጽሞን ከኣ እቲ ዶብ ናብ ርባ ግብጺ ይዙር፡ ናብ ባሕሪ ድማ ይውጻእ። [6] ዶብ ምዕራብውን እቲ ዓብዪ
ባሕርን እቲ ዶብን ይኹነልኩም። ናብ ምዕራብ ዶብኩም እዚ ይኹን። [7] ናይ ሰሜን ዶብኩም ድማ እዚ
ይኹን፡ ካብቲ ዓብዪ ባሕሪ ናብ ከረን ሆር ኣቢልኩም ንኣኻትኩም ምልክት ግበሩሉ። [8] ካብ ከረን ሆር
ክሳዕ እታ ናብ ሃማት እተእቱ ምልክት ግበሩሉ፡ እቲ ዶብ ከኣ ናብ ጸዳድ ይውጻእ። [9] እቲ ዶብ ድማ ናብ
ዚፍሮን ይሕለፍ እሞ ናብ ሓጻርዔናን ይውጻእ፡ ናይ ሰሜን ዶብኩም እዚ ይኹን። [10] ናይ ምብራቕ
ዶብኩም ከኣ ካብ ሓጻርዔናን ክሳዕ ሼፋም ኣመልክቱሉ። [11] እቲ ዶብ ድማ ካብ ሼፋም ናብ ሪብላ፡
ንዓይን ብምብራቓ ይውረድ፡ እቲ ዶብ ከኣ ወሪዱ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ኽሳዕ ባሕሪ ኪኔሬት ይብጻሕ።
[12] እቲ ዶብ ክሳዕ ዮርዳኖስ ይውረድ፡ ናብ ባሕሪ ጨው ከኣ ይውጻእ። እዚኣ ምስቲ ኣብ ዙርያኣ ዘሎ
ዶብ ሃገርኩም ትኹን። [13] ሙሴ ድማ ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ እታ ብዕጭ እትርስተይዋ
ሃገር፡ እግዚኣብሄር ንትሽዓተ ነገድን ንፈረቓ ነገድን ክትወሀብ ዝኣዘዘ፡ እዚኣ እያ። [14] እሞ ነገድ ደቂ
ሮቤል ከከም ማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ነገድ ደቂ ጋድ ድማ ከከም ማይ ቤት ኣቦታቶም ረርስቶም ሐዙ።
ፈረቓ ነገድ ምናሴ ኸኣ ርስቶም ሐዙ። [15] እዞም ክልተ ነገድን እዚ ፈረቓ ነገድን ኣብ ክንየው ዮርዳኖስ
ናይ ያሪኮ ብሸነኽ ምብራቕ ጸሓይ ረርስቶም ሐዙ። [16] እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ [17]
ስም እቶም ነታ ምድሪ ንርስቲ ዚመቕሉልኩም ሰባት እዚ እዩ፡ ካህን ኣልኣዛርን እያሱ ወዲ ነዌን። [18]
ንምምቃል እታ ምድሪ ንርስቲ ድማ ከካብ ነገድ ሓደ ሹም ውሰዱ። [19] ስም እቶም ሰባት ድማ እዚ እዩ፡
ካብ ነገድ ይሁዳ፡ ካሌብ ወዲ የፉኔ። [20] ካብ ነገድ ደቂ ስምኦን፡ ሸሙኤል ወዲ ዓሚሁድ። [21] ካብ ነገድ
ብንያም፡ ኤሊዳድ ወዲ ኪስሎን። [22] ካብ ነገድ ደቂ ዳን፡ ሹም ቡቂ ወዲ ዮግሊ። [23] ካብ ደቂ ዮሴፍ፡ ካብ
ነገድ ደቂ ምናሴ፡ ሹም ሓኒኤል ወዲ ኤፎድ። [24] ካብ ነገድ ደቂ ኤፍሬም፡ ሹም ቄሙኤል ወዲ ሺፍጣን።

25 ካብ ነገድ ደቂ ዛብሎን፡ ሹም ኤሊጻፋን ወዲ ጳርናክ። 26 ካብ ነገድ ደቂ ይሳኮር፡ ሹም ጳልጢኤል ወዲ
ዓዛን። 27 ካብ ነገድ ደቂ ኣሴር፡ ሹም ኣሒሁድ ወዲ ሸሎሚ። 28 ካብ ነገድ ደቂ ንፍታሌም፡ ሹም
ጴዳህኤል ወዲ ዓሚሁድ። 29 እቶም ንደቂ እስራኤል ኣብ ምድሪ ከነኣን ርስቲ ኺመቕልዎም እግዚኣብሄር
ዝኣዘዞም እዚኣቶም እዮም።

# ምዕራፍ 35

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ ኣብ ጐላጉል ሞኣብ ኣብ ዮርዳኖስ መንጽር ያሪኮ፡ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2
ንደቂ እስራኤል፡ ካብቲ ዝወረስዎ ርስቲ ንሌዋውያን ዚነብሩለን ከተማታት ኪሀብዎም፡ ኣዝዞም። ኣብ
ዙርያ እተን ከተማታት ዘሎ ከባቢኤን ከኣ ንሌዋውያን ሀብዎም። 3 ከተማታት ንመቕመጢ ይኹንኦም፡
እታ ኣብ ከባቢኤን ዘላ ምድሪ ድማ ንማሎምን ንጥሪቶምን ንኹሉ እንስሳኦምን ትኹን። 4 እታ
ንሌዋውያን እትህብዎም ኣብ ከከባቢ ኸተማታት ዘላ ምድሪ ድማ፡ ካብ መካበብያ እታ ኸተማ
ብዙርያኣ፡ ምግፋሓ ሽሕ እመት ትኹን። 5 ብወጻኢ ኸተማ ብሸነኽ ምብራቕ ከኣ ክልተ ሽሕ እመት፡
ብሸነኽ ደቡብ ድማ ክልተ ሽሕ እመት፡ ብሸነኽ ምዕራብ ከኣ ክልተ ሽሕ እመት፡ ብሸነኽ ሰሜን ድማ
ክልተ ሽሕ እመት ስፈሩ። እታ ኸተማ ኸኣ ኣብ ማእከል ትኹን። እዚ ኸኣ ከባቢ እተን ከተማታት
ይኹነሎም። 6 እተን ንሌዋውያን እትህብዎም ከተማታት ድማ፡ ቀታል ነፍሲ ምእንቲ ኺሀድመለን
እትህብዎ ሹድሽተ ኸተማታት መዕቈቢ ይኹና። ኣብ ልዕሊኤን ድማ ኣርብዓን ክልተን ከተማታት
ሀብዎም። 7 እተን ንሌዋውያን እትህብዎም ከተማታት ኲለን ኣርብዓን ሾሞንተን ከተማታት፡ መምስ
ከባቢኤን ይኹና። 8 ብዛዕባ እተን ካብ ርስቲ ደቂ እስራኤል እትህብዎም ከተማታት ድማ፡ ካብቶም
ብዙሕ ዘለዎም ብዙሕ፡ ካብቶም ሒደት ዘለዎም ከኣ ሒደት ውሰዱ። ነፍሲ ወከፍ ከም መጠን እታ
እተረስተያ ርስቱ ኻብ ከተማታቱ ንሌዋውያን ይሀብ። 9 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ ኸምዚ ኢሉ ተዛርቦ፡
10 ንደቂ እስራኤል ተዛረቦም፡ በሎም ከኣ፡ ንስኻትኩም ንዮርዳኖስ ናብ ምድሪ ከነኣን ምስ ተሳገርኩም፡
11 ብዘይ ሓሳብ ነፍሲ ዝቐተለት ቐታሊ ዚሀድመለን ከተማታት መዕቈቢ ዚኾናኹም፡ ንኣኻትኩም
ከተማታት ፍለዩ። 12 እቲ ቐታሊ ኣብ ቅድሚ ኣኼባ ንፍርዲ ደው ከይበለ ኸይመውት፡ እዘን ከተማታት
እዚኤን ካብቲ ፈዳይ ደም መዕቈቢ ይኹናኹም። 13 እተን እትህብወን ከተማታት፡ ሽድሽተ ኸተማ
መዕቈቢ ይኹናኹም። 14 ሰለስተ ኸተማ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ሀቡ፡ ሰለስተ ኸተማ ኸኣ ኣብ ምድሪ ከነኣን
ሀቡ፡ ከተማታት መዕቈቢ ይኹና። 15 ንደቂ እስራኤል ኰነ፡ ንጓና ኸነ፡ ምሳታቶም ንዚነብር ስደተኛ
ኾነ፡ ነፍሲ ወከፍ ብዘይ ፍልጠት ነፍሲ ዝቐተለ ናባታተን ኪሀድም፡ እዘን ሽድሽተ ኸተማ እዚኤን
መዕቈቢ ይኹና። 16 ብኣቕሓ ሓጺን እንተ ወቕዖ ግና፡ እሞ እንተ ሞተ፡ ንሱ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል
ነፍሲ ኸኣ ርግጽ ይሙት። 17 ወይስ ኣብ ኢድ ብዝሓዞ ኪቕትል ብዚኽእል እምኒ እንተ ወቕዖ፡ እሞ እንተ
ሞተ፡ ንሱ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ድማ ርግጽ ይሙት። 18 ወይ ኣብ ኢዱ ብዝሓዞ ኣቕሓ
ዕጨይቲ ኪቕትል ብዚኽእል እንተ ወቕዖ፡ እሞ እንተ ሞተ፡ ንሱ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ኸኣ
ርግጽ ይሙት። 19 እቲ ፈዳይ ደም ነቲ ቐታሊ ይቕተሎ። ምስ ዚረኽቦ ባዕሉ ይቕተሎ። 20 ብጽልኢ እንተ
ደፍኦ ኸኣ፡ ወይ ተጸናቲዩ ገለ እንተ ደርበየሉ፡ እሞ እንተ ሞተ፡ 21 ወይ ጽልኢ ነይርዎ ብኢድ እንተ
ወቕዖ፡ እሞ እንተ ሞተ፡ እቲ ዝወቕዖ ቐታል ነፍሲ እዩ እሞ፡ ርግጽ ይሙት። እቲ ፈዳይ ደም ነቲ ቐታሊ
ምስ ዚረኽቦ ይቕተሎ። 22-23 ብጽልኢ ዘይኰነ፡ ብድንገት እንተ ደፍኦ ግና፡ ንሱ ጸላኢኡ እንተ ዘይነበረ፡
ወይ ከኣ ንኽፉኡ እንተ ዘይደለየ፡ ወይ ከይተጸናተወ ገለ ነገር እንተ ደርበየሉ፡ ወይ ከይረኣዮ ኪቕትል

ብዚኸእል እምኒ እንተ ደርበየሉ፡ እሞ እንተ ሞተ፡ 24 ሽዑ እቲ ኣኼባ ኣብ መንጎ እቲ ወቓዕን ኣብ መንጎ
እቲ ፈዳይ ደምን በዚ ሕጊ እዚ ይፍረድ፡ 25 እቲ ኣኼባ ኸኣ ነት ቐታሊ ኻብ ኢድ እቲ ፈዳይ ደም
የድሕኖ፡ እቲ ኣኼባ ድማ ናብታ ሀዲሙላ ዝነበረ ኸተማ መዕቈቢቱ ይምለሶ። እቲ ብቕዱስ ቅብኢ
እተቐብኤ ሊቀ ኻህናት ክሳዕ ዚመውት ኣብኣ ይጽናሕ። 26 እቲ ቐታሊ ኻብ ዶብ እታ ዝሀደመላ ኸተማ
መዕቈቢቱ እንተ ወጸ ግና፡ 27 እቲ ፈዳይ ደም ከኣ ኣብ ወጻኢ ዶብ እታ ኸተማ መዕቈቢቱ እንተ ረኸቦ፡
እቲ ፈዳይ ደም ድማ ነቲ ቐታሊ እንተ ቐተሎ፡ ዕዳ ደም የብሉን። 28 እቲ ቐታሊ ኽሳዕ ሞት እቲ ለቀ
ኻህናት ኣብታ ኸተማ መዕቈቢቱ ኺጸንሕ ይግብኦ ነይሩ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ሞት እቲ ሊቀ ኻህናት ግና
ናብታ ምድሪ ርስቱ ይመለስ። 29 እዚ ኣብ ኩሉ እትነብርዎ ንውሉድ ወለዶኹም ሕጊ ፍርዲ
ይኹነልኩም። 30 ነፍሲ ዝቐተለ ዘበለ እቲ ቐታሊ ብኣፍ ምስክር ይቀተል፡ ምስክር ሓደ ግና ንሞት ነፍሲ
ምስክር ኣይኹን። 31 ካብቲ ሞት ዚግብኦ ቐታሊ ጋር ነፍሲ ኣይትቀበሉ፡ ርግጽ ሞት ደኣ ይሙት። 32 ስለ
እቲ ናብ ከተማ መዕቈቢቱ ዝሀደመ፡ ሊቀ ኻህናት ከይሞተ ምእንቲ ናብ ዓዱ ኺምለስ ኢልኩም፡ ጋር
ኣይትቀበሉ። 33 ደም፡ ንሱ ነታ ሃገር የርክሳ እዩ እሞ፡ ነታ ዘሎኹምዋ ሃገር ኣይተርክስዋ። እታ ሃገር ድማ
ብዛዕባ እቲ እተኻዕወ ደም ብጀካ ደም እቲ ደም ዝኸዐወ ኣይትዕረቕን እያ። 34 ኣነ እግዚኣብሄር ኣብ
ማእከል ደቂ እስራኤል እሐድር እየ እሞ፡ ነታ ኣነ ኣብ ማእከላ ዝሐደራ፡ ንስኻትኩም ድማ እትነብርዋ
ሃገር ኣይተርክስዋ።

# ምዕራፍ 36

1 ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ዓሌት ደቂ ጊልኣድ ወዲ ማኪር፡ ወዲ ምናሴ ካብ ዓሌታት ደቂ ዮሴፍ ድማ
ቀረቡ፡ ኣብ ቅድሚ ሙሴን ኣብ ቅድሚ እቶም ሹማምቲ፡ ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ደቂ እስራእልን ከኣ
ተዛረቡ፡ 2 በሉ ድማ፡ እግዚኣብሄር እታ ምድሪ ንደቂ እስራኤል ንርስቲ ብዕጫ ኪህቦም ንጐይታይ ኣዘዞ፡
እግዚኣብሄር ድማ ንጐይታይ እታ ርስቲ ጸሎፍሓድ ሓውና፡ ነዋልዱ ኺህበን ኣዘዞ። 3 ንሳተን ከኣ ናብ
ገለ ኻብ ደቂ ኻልኦት ነገዳት ደቂ እስራኤል እንተ ተአትዋ፡ ሽዑ እቲ ርስተን ካብ ርስቲ ኣቦታትና
ይውሰድ፡ ናብ ርስቲ እቲ ዝአተዋኦ ነገድ ድማ ይውሰኽ። በዚ ኸምዚ ኻብቲ ብዕጫ እተረስቴናዮ
ይንከ። 4 ንደቂ እስራኤል ዓመት እልልታ ምስ ኰነሎም፡ እቲ ርስተን ናብ ርስቲ እቲ ዝአተዋኦ ነገድ
ይውሰኽ፡ ሽዑ እቲ ርስተን ካብ ርስቲ ኣቦታትና ይንከ። 5 ሙሴ ድማ ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ንደቂ
እስራኤል ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ ነገድ ደቂ ዮሴፍ እተዛረብዎ ቕኑዕ እዩ። 6 እግዚኣብሄር ብናይ ኣዋልድ
ጸሎፍሓድ ከምዚ ኢሉ ዝአዘዞ ነገር እዚ እዩ፡ ናብ ዝፈተዋኦ ይተአተዋ። ካብ ዓሌት ነገድ ኣቦታተን
ጥራይ ግዳ ይተአተዋ። 7 ነፍሲ ወከፍ ኣብ ደቂ እስራኤል ኣብ ርስቲ ነገድ ኣቦታቱ ደኣ ይጽናዕ እምበር፡
ርስቲ ደቂ እስራኤል ካብ ነገድ ናብ ነገድ ኣይሕለፍ። 8 ካብ ነገዳት ደቂ እስራኤል ርስቲ ዝወረሰት ዘበለት
ጓል ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ደቂ እስራኤል ርስቲ ኣቦታቱ ምእንቲ ኺወርስ፡ ናብ ሓደ ኻብ ዓሌት ነገድ
ኣቦኣ ትተአቶ። 9 ነፍሲ ወከፍ ነገድ ደቂ እስራኤል ኣብ ረርስቱ ይጽናዕ እምበር፡ እቲ ርስቲ ኻብ ነገድ
ናብ ካልእ ነገድ ኣይሕለፍ። 10 ኣዋልድ ጸሎፍሓድ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝአዘዞ ገበራ። 11 ማሕላ፡
ቲርጻ፡ ሖግላ፡ ሚልካ፡ ኖዓ፡ ኣዋልድ ጸሎፍሓድ ኣብ ደቂ ሓወቦታተን ተአትዋ። 12 ኣብ ዓሌታት ደቂ
ምናሴ ወዲ ዮሴፍ ተአትዋ፡ ርስተን ድማ ኣብ ነገድ ዓሌት ኣቦኤን ተረፈ። 13 እግዚኣብሄር ኣብ ጐላጉል
ሞኣብ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ናይ ያሪኮ ንደቂ እስራኤል ብሙሴ ዝአዘዞም ትእዛዛትን ፍርድታትን እዚ እዩ።

# ኦሪት ዘዳግም

## ምዕራፍ 1

[1] እቲ ሙሴ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡ ኣብ መንጽር ሱፍ ኣብ ዘሎ በረኻ፡ ኣብ መንጎ ጳራንን ቶፌልን ላባንን
ሓጸሮትን ዲዛሃብን ዘሎ ጐልጐል፡ ንዅሎም እስራኤል ዝነገሮም ቃላት እዚ እዩ። [2] ካብ ሆሬብ ብመገዲ
ኸረን ሰዒር ክሳዕ ቃዴስባርኔዓ፡ መገዲ ዓሰርተው ሓደ መዓልቲ እዩ። [3] ኣብ መበል ኣርብዓ ዓመት፡
ኣብታ መበል ዓሰርተው ሓደ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒውን በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ፡ ሙሴ ኸምቲ
እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ኪነግሮም ዝኣዘዞ ዅሉ ተዛረበ። [4] እዚ ነቲ ኣብ ሔስቦን ዝነበረ ሲሆን
ንጉስ ኣሞራውያንን ነቲ ኣብ ዓስታሮት ኣብ ኤድረዒ ዝነበረ ዖግ ንጉስ ባሳንን ምስ ሰዐሮም ኰነ። [5]
ሙሴ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ኣብ ምድሪ ሞኣብ ነዚ ሕጊ እዚ ኸምዚ ኢሉ ኺገልጾ ጀመረ፡ [6] እግዚኣብሄር
ኣምላኽና፡ ኣብ ሆሬብ ከምዚ ኢሉ ተዛረበና፡ ኣብዚ ኸረንዚ እተቐመጥኩምዎ ይኣኽለኩም፡ [7]
ተመሊስኩም ተጓዕዙ፡ ናብ ከረን ኣሞራውያንን ኣብ ጥቓኡ ናብ ዘሎ ዅሉን ናብ ጐልጐልን ናብ
ኣኽራንን ናብ ቈላን ናብ ደቡብን ናብ ወሰን ባሕርን ናብ ምድሪ ከነኣናውያንን ናብ ሊባኖስን፡ ክሳዕ እቲ
ዓብዩ ርባ፡ ርባ ኤፍራጥስ፡ እተዉ። [8] እንሆ፡ እዛ ምድሪ ኣብ ቅድሜኹም ኣንቢረልኩም ኣሎኹ። እታ
እግዚኣብሄር ነቦታትኩም፡ ንኣብርሃም፡ ንይስሃቅ፡ ንያእቆብ፡ ንኣታቶም ብድሕሪኦም ከኣ ንዘርኦም
ኪህቦም ዝመሓለሎም ምድሪ እተውዋ፡ ውረስዋ ኸኣ። [9] በቲ ዘበንቲ ድማ ከምዚ ኢለ ተዛረብኩኹም፡
ኣነ በይነይ ክጾረኩም ኣይክእልን። [10] እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣብዚሑኩም እዩ እሞ፡ ሎሚ
ምብዛሕኩም፡ እንሆ፡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ኢኹም። [11] ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም
እተዛረበኩም፡ ካብቲ ዘሎኹምዎ ሽሕ ሳዕ የብዝሕኩም፡ ይባርኽኩም ከኣ፡ [12] እቲ ድኻምኩምን
ክብደትኩምን ቈየቛኹምን ከመይ ገይረ በይነይ እጾሮ። [13] ካባኻትኩም ጠቢባንን መስተውዓልትን
ፍሉጣትን ሰባት ከካብ ነገድኩም ኣውጽኡ፡ ሓላቑኹም ክገብሮም እየ። [14] ንስኻትኩም ድማ፡ እቲ
እተዛረብካዮ ነገር ምግባሩ ጽቡቕ እዩ፡ ኢልኩም መለስኩምለይ። [15] ሽው ሓላቑ ነገዳትኩም፡ ጠቢባንን
እተፈልጡን ሰባት ወሲደ፡ ሓላቑ ሽሕን ሓላቑ ሚእትን ሓላቑ ሓምሳን ሓላቑ ዓሰርተን ኣብ ነገዳትኩም
መኳንንቲ፡ ኣብ ልዕሌኹም ሓላቑ ገበርክዎም። [16] በታ ጊዜ እቲኣ ድማ ንፈራዶኹም ከምዚ ኢለ
ኣዘዝክዎም፡ ኣብ መንጎ ኣሕዋትኩም ዘሎ ነገር ስምዑ፡ ኣብ መንጎ ሰብን ኣብ መንጎ ሓዉን፡ ኣብ መንጎ
ምስኡ ዘሎ ጓና ድማ ብቕንዕና ፍረዱ። [17] ነቲ ንእሽቶውን ከምቲ ዓብዩ ስምዕዎ እምበር፡ ብፍርዲ ገጽ
ርኢኹም ኣይተዳልዉ። ፍርዲ ናይ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ገጽ ሰብ ኣይትፍርሁ። እቲ ዝበርትዓኩም ነገር ኣነ
ኽሰምዖ፡ ናባይ ኣምጽእዎ። [18] በታ ጊዜ እቲኣ፡ እትገብርዎ ዅሉ ኣዘዝኩኹም። [19] ካብ ሆሬብ ነቒልና
ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝኣዘዘና፡ በቲ ዝርኤኹምዎ ዓብዩን ዜፍርህን በረኻ፡ መገዲ ኸረን
ኣሞራውያን ከድና፡ ናብ ቃዴስባርኔዓ ኸኣ መጻእና። [20] በልኩኹም ድማ፡ ናብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽና
ዚህበና ኸረን ኣሞራውያን መጻእኩም። [21] እንሆ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እዛ ምድሪ ኣብ ኢድካ ሀቢካ።
ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትካ ዝበለካ፡ ደይብካ ውረሳ። ኣይትፍራህ፡ ኣይትሸበር። [22]
ንስኻትኩም ከኣ፡ ኩልኹም ናባይ መጺእኩም፡ በየናይ መገዲ ኽም እንድይብ፡ ኣብ ኣየኖት
ከተማታትውን ከም እንኣቱ፡ ተመሊሶም ኪነግሩና ነታ ሃገር ዚስልዩልና ቅድሜና ሰባት ንስደድ፡
በልኩምኒ። [23] እቲ ነገር እቲ ባህ ኣበለኒ እሞ፡ ካባኻትኩም ዓሰርተው ክልተ ሰብ፡ ከካብ ነገድ ሓደ

ሰብኣይ፡ ወሰድኩ። 24 ከይዶም ድማ ናብ ከረን ደየቡ፡ ናብ ለሰ ኤሽኮል ኣትዮምውን ሰለይዋ። 25 ካብ
ፍረ እታ ምድሪ ድማ በእዳዎም ወሰዱ፡ ናባና ኸኣ ኣውረድዎ። እታ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚህበና
ምድሪ ጽብቕቲ እያ፡ ኢሎም ድማ ምላሽ ነገሩና። 26 ንስኻትኩም ግና ክትድይቡ ኣይፈቶኹምን እሞ፡
ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣቤኹምዎ። 27 ኣብ ድንኳናትኩም ኳንኩም ኣጕረምረኩም፡
በልኩም ከኣ፡ እግዚኣብሄር ስለ ዝጸልኣና፡ ምእንቲ ኼጥፍኣና ኣብ ኢድ ኣሞራውያን ኣሕሊፉ ኺህበና፡
ካብ ምድሪ ግብጺ ኣውጽኣና። 28 ንሕና እሞ ናበይ ክንድይብ፡ እቲ ህዝቢ ኻባና ዚበዝሕን ዚነውሕን
እዩ። እተን ከተማታት ድማ ዓበይቲ ኽሳዕ ሰማይ ዚበጽሓ እተዐርዳ እየን፡ ደቂ ዓናቕውን ኣብኡ ርኢና፡
ኢሎም ኣሕዋትና ንልብና ኣምከኽዎ። 29 ሽዑ በልኩኹም፡ ኣይትረበጹን ኣይትፍርህዎምን፡ 30 እቲ
ቀቅድሜኹም ዚኸይድ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ከምቲ ኣብ ግብጺ ኺገብረልኩም ዝርኤኹምዎ
ኹሉ፡ ከምኡ ንሱ ኣብ ክንዳኻትኩም ኪዋግኣልኩም እዩ። 31 ሰብ ንወዱ ኸም ዚሕንግር፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ናብዛ ቦታ እዚኣ ኽሳዕ እትመጹ፡ ኣብ በረኻ ኣብ ኩሉ ዝኸድኩምዎ መገዲ ኸም ዝሐንገረካ
ርኢኻ። 32-33 እዚ ነገር እዚ ኸነሱ፡ እቲ እትሰፍሩሉ ቦታ ኺደልየልኩም፡ እትኸድዋ መገዲ ድማ
ኬርእየኩም፡ ለይቲ ብሓዊ፡ መዓልቲ ኸኣ ብደበና ቀቅድሜኹም ዝኸደ፡ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ኣይኣመንኩምን። 34-36 እግዚኣብሄር ከኣ ድምጺ ቓላትኩም ሰሚዑ ተናደደ፡ እታ ነቦታትኩም ክህቦም
ዝመሓልኩሎም ጽብቕቲ ምድሪ ብሓደ ኻብዞም ሰብ እዚኣም፡ እዚ ኽፉእ ወለዶ እዚ፡ ብጀካ ካሌብ
ወዲ የፉኔ፡ ሓደ እኳ ኣይርእያን እዩ፡ ኢሉ መሓለ። ንሱ ኺርእያ እዩ፡ ንሱ ፈጺሙ ንእግዚኣብሄር ስዒቡ
እዩ እሞ፡ እታ ዝረገጻ ምድሪ፡ ንእኡን ንደቁን ክህቦም እዩ። 37 እግዚኣብሄር፡ ንኣይ ድማ ብሰርኹም፡
ንስኻውን ኣይትኣትዋን ኢኻ፡ ኢሉ ኰረየለይ። 38 እያሱ ወዲ ነዌ፡ እቲ ኣብ ቅድሜኻ ደው ዚብል፡ ንሱ
ኺኣትዋ እዩ። ንሱ ንእስራኤል ኬረስትዮም እዩ እሞ፡ ኣትብዓዮ። 39 እቶም ኪማረኹ እዮም
ዝበልኩምዎም ቈልዑኹም፡ እቶም ሎሚ ጽቡቕን ክፉእን ዘይፈልጡ ደቅኹም፡ ንሳቶም ኪኣትውዋ
እዮም፡ ንኣታቶም ክህቦም እየ፡ ኪወርስዋ ኸኣ እዮም። 40 ንስኻትኩም ግና ተመለሱ፡ ብመገዲ ባሕሪ
ኤርትራ ድማ ናብ በረኻ ኣቢልኩም ተጓዕዙ፡ በለ። 41 ሽዑ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣበስና፡ ንድይብ እሞ
ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝኣዘዘና ኹሉ ድማ ንዋጋእ፡ በልኩምኒ። ነፍሲ ወከፍኩምውን መሳርያኡ
ተዐጥቀ፡ ናብ ከረን ክትድይቡ ኸኣ ተዳሎኹም። 42 እግዚኣብሄር ድማ፡ ኣነ ኣብ ማእከልኩም
ኣይኰንኩን እሞ፡ ኣብ ቅድሚ ጸላእትኹም ምእንቲ ኸይትሰዓሩ ናብኡ ኣይትደይቡ ኣይትዋግኡውን፡
በሎም፡ በለኒ። 43 ኣነ ድማ ነገርኩኹም፡ ንስኻትኩም ግና ትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣቢኹም፡
ብድፍረትኩም፡ ናብቲ ኸረን ደየብኩም እምበር፡ ኣይሰማዕኩምንን፡ 44 እቶም ኣብቲ ኸረን ዚነብሩ
ኣሞራውያን ድማ ወጺኦም ተቓባበሉኹም፡ ከምቲ ንህቢ ዚገብሮ ገይሮም ከኣ ሰጕጕኹም፡ ኣብ ሰዒር
ድማ ክሳዕ ሖርማ ወቕዑኹም። 45 ተመሊስኩም ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር በኼኹም፡ እግዚኣብሄር
ግና ድምጽኹም ኣይሰምዔን፡ እዝኑ ኸኣ ጽን ኣይበለኩምን። 46 ከምተን እተቐመጥኩምለን መዓልትታት፡
ኣብ ቃዴስ ብዙሕ መዓልቲ ተቐመጥኩም።

## ምዕራፍ 2

1 ካብኡ ተመሊስና ድማ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበለኒ፡ ብመገዲ ባሕሪ ኤርትራ ንበረኻ ገጽና ተጓዒዝና።
ንኸረን ሰዒር ብዙሕ መዓልቲ ዞርናዮ። 2 እግዚኣብሄር ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረበኒ፡ 3 ነዚ ኸረንዚ ምዛር
ይኣኽለኩም፡ ንሰሜን ገጽኩም ተመለሱ። 4 ነቶም ህዝቢውን ከምዚ ኢልካ ኣዝዞም፡ ብዶብ እቶም ኣብ

ሰዒር ዚነብሩ ኣሕዋትኩም፡ ደቂ ኤሳው፡ ክትሐልፉ ኢኹም፡ ንሳቶም ይፈርሁኹም እዮም፡ ተጠንቀቑ
ደኣ፡ [5] ኣይተዋግእዎም፡ ከረን ሰዒርሲ ንኤሳው ርስቲ ሂበዮ እየ እሞ፡ ካብታ ምድሮም መርገጽ እግሪ
እትኣክል እኳ ኣይህበኩምን እየ። [6] እንጌራ ኻባታቶም ብገንዘብ ዓዲግኩም ብልዑ፡ ማይውን ካባታቶም
ብገንዘብ ዓዲግኩም ስተዩ። [7] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ ተግባር ኢድካ ባሪኹካ እዩ እሞ፡ ንሱ በዚ
ዓብዪ በረካ እዚ ምጉዓዝካ ፈለጠ። በዘን ኣርብዓ ዓመት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምሳኻ ነበረ፡ ገለ እኳ
ኣይጐደለካን። [8] ነቶም ኣብ ሰዒር ዚነብሩ ኣሕዋትና ደቂ ኤሳው ሐሊፍና ድማ፡ ካብታ መገዲ ጐልጐልን
ካብ ኤላትን ካብ ዔጽዮንገበርን ኣግለስና። ገጽና መሊስና ኸኣ ብመገዲ በረኻ ሞኣብ ሐለፍና። [9]
እግዚኣብሄር ድማ በለኒ፡ ምድሪ ዓር ንደቂ ሎጥ ርስቲ ገይረ ስለ ዝሃብክዎም፡ ካብ ምድሮም ርስቲ
ኣይህበካን እየ እሞ፡ ንሞኣባውያን ኣይተዕገርግሮም ኣይትዋግኣዮምውን። [10] ቀደም ሓደ ዓብዩን ብዙሕን
ከም ዓናቃውያን ድማ ነዊሕ ዝቝመቱ ህዝቢ ኤሚም፡ ኣብኡ ይቕመጥ ነበረ። [11] ከም ዓናቃውያን
ዝበሉ፡ ንሳቶም ከኣ ረፋውያን፡ ይቝጸሩ ነበሩ። ሞኣባውያን ግና ኤሚም ይብልዎም ነበሩ። [12]
ሖራውያን ድማ ቀደም ኣብ ሰዒር ተቐሚጦም ነበሩ፡ ደቂ ኤሳው ግና፡ ከምቲ እስራኤል ነታ
እግዚኣብሄር ዝሀቦም ምድሪ ርስቶም ዝገበርዋ፡ ሰጒጎም ካብ ቅድሚኦም ኣጥፍእዎም፡ ኣብ ስፍራኦም
ድማ ተቐመጡ። [13] ሕጂ ተንስኡ ርባ ዘሬድ ከኣ ተሳገሩ። ርባ ዘሬድ ድማ ተሳገርና። [14] እቲ ኻብ ቃዴስ
ባርኔዓ ኽሳዕ ርባ ዘሬድ እንሳገር ዝኸድናሉ ዘበን ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝመሐለሎም፡ ወለዶ እቶም
ተዋጋእቲ ሰባት ካብ ማእከል ሰፈር ክሳዕ ዚጠፍኡ፡ ሰላሳን ሸሞንተን ዓመት ኰነ። [15] ኢድ እግዚኣብሄር
ድማ ክሳዕ ዚውድኡ፡ ካብ ማእከል እቲ ሰፈር ከተጥፍኦም ኣብኦም ነበረት። [16] ኰነ ኸኣ፡ እቶም
ተዋጋእቲ ሰባት ኲሎም ካብ ማእከል ህዝቢ ሞይቶም ምስ ተወድኡ፡ [17] እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ
ተዛረበኒ፡ [18] ሎሚ ንስኻ ብዓር፡ ዶብ ሞኣብ፡ ክትሐልፍ ኢኻ። [19] ናብ መንጽር ደቂ ዓሞን ምስ ቀረብካ፡
ኣይተዕገርግሮም፡ ኣይትዋግኣዮም ድማ። ንደቂ ሎጥ ንርስቲ ሂበዮም እየ እሞ፡ ካብ ምድሪ ደቂ ዓሞን
እትርስተዮ ገለ እኳ ኣይህበካን እየ። [20] እዚኣ ድማ ቀደም ረፋውያን ስለ ዝነበርዋ፡ ሃገር ረፋውያን
ተቘጽረት፡ ዓሞናውያን ግና ዛምዙሚም ይብልዎም ነበሩ። [21] ከም ዓናቃውያን፡ ዓብዩን ብዙሕን ነዊሕ
ዝቝመቱን ህዝቢ እዩ። ግናኸ እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚኦም ኣጥፍኦም እሞ፡ ንኣታቶም ሰጒጎም፡ ኣብ
ስፍራኦም ተቐመጡ። [22] ኣብ ሰዒር ንዚነብሩ ደቂ ኤሳው ከም ዝገበረሎም፡ ንሖራውያን ካብ ቅድሚኦም
ምስ ኣጥፍኤ ንኣታቶም ሰጒጎም ክሳዕ ሎሚ ኣብ ስፍራኦም ተቐመጡ። [23] ነቶም ኣብ ዓድታት ክሳዕ ጋዛ
ዝነበሩ ዓዊም ድማ፡ ካብ ካፍቶር ዝወጹ ካፍቶራውያን ኣጥፍእዎም፡ ኣብቲ ስፍራኦም ከኣ ተቐመጡ። [24]
ተንስኡ፡ ተጓዕዙ፡ ለሰ ኣርኖን ድማ ተሳገሩ። እንሆ። ሲሆን ኣሞራዊ፡ ንጉስ ሔስቦንን ምድሩን፡ ኣብ
ኢድካ ሂበካ ኣሎኹ፡ ምውራሳ ጀምር፡ ምስኡ ኸኣ ተዋጋእ። [25] ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዚነብሩ ኹሎም
ህዝብታት፡ ካብ ሎሚ ጀሚረ ምሽብርካን ፍርሃትካን ከውርደሎም እየ። ወሬኻ ምስ ሰምዑ፡ ኣብ
ቅድሜኻ የንቀጥቅጡ ራዕዲ ድማ ይሕዞም። [26] ካብ በርኻ ቀደሞት ድማ ናብ ሲሆን፡ ንጉስ ሔስቦን፡
ከምዚ ኢለ ልኡኻት ምስ ናይ ሰላም ዘረባ ሰደድኩሉ፡ [27-29] ከምቲ ኣብ ሰዒር ዚነብሩ ደቂ ኤሳውን ኣብ
ዓር ዚነብሩ ሞኣባውይንን ዝገበሩለይ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚህበና ምድሪ፡ ንዮርዳኖስ ክሳዕ
ዝሳገር፡ የማነ ጸጋም ከየግለስኩ ብመገድ መገዲ ክኸይድ ብምድርኻ ኣሕልፈኒ። ዝበልዖ እንጌራ ብገንዘብ
ሸጠለይ፡ ዝሰትዮ ማይ ከኣ ብገንዘብ ሀበኒ፡ ሓንትስ ንእግረይ ጥራይ ኣሕልፈኒ፡ በልክዎ። [30] ሲሆን፡
ንጉስ ሔስቦን ግና እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸምዚ ናይ ሎሚ ምእንቲ ኣብ ኢድካ ኺህበካ፡ ንመንፈሱ
ኣትረሮ ንልቡ ኸኣ ተጻራሪ ገበሮ እሞ፡ ኬሕልፈና ኣይፈተወን። [31] እግዚኣብሄር ከኣ፡ እንሆ ንሲሆንን
ንምድሩን ኣብ ቅድሜኻ ኣሕሊፈ ኽህበካ ጀመርኩ እሞ፡ ንምድሩ ምእንቲ ኽትርስተያ፡ ምውራሳ

ጀምር፡ በለኒ። 32 ሲሆን ድማ፡ ንሱን ኲሉ ህዝቡን፡ ናብ የሃጽ ንምውጋእና ኺቃባበለና ወጸ። 33
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ድማ ንእኡ ኣብ ቅድሜና ኣሕሊፉ ሀበና፡ ንእኡን ንደቁን ንዅሉ ህዝቡን ከኣ
ወቓዕናዮም። 34 በታ ጊዜ እቲኣ ድማ ኲለን ከተማታቱ ወሰድና፡ ኲለን ከተማታት ምስናይ ሰብኡትን
ኣንስትን ቈልዑን ሓደ እኳ ኸየትረፍን ፈጺምና ኣጥፋእናዮም። 35 እተን ዝዘመትናየን ማል ጥራይ ምስቲ
ኻብ ከተማታት ዝገፈፍናዮ ንኣና ወሰድና። 36 ካብታ ኣብ ገምገም ለሰ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔር፡ ካብታ ኣብ
ለሰ ዘላ ኸተማ ኸኣ ክሳዕ ጊልኣድ ሓንቲ ኸተማ እኳ ብምንዋሓ ዝጸንዓትና ኣይነበረትን፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽና ንዅለን ኣብ ቅድሜና ኣሕሊፉ ሀበና። 37 ጥራይ ምድሪ ደቂ ዓሞን፡ ኲሉ ወገን ርባ ያቦቅን
ኣብ ከረን ዝነበራ ኸተማታትን እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝኸልከለና ዘበለ ዅሉ ኣይቀረብካን።

# ምዕራፍ 3

1 ተመሊስና ድማ ብመገዲ ባሳን ደየብና። ዖግ፡ ንጉስ ባሳን ድማ ምስ ኲሉ ህዝቡ ኣብ ኤድሬዒ
ኺዋግኣና ኢሉ ኺቃባበለና ወጸ። 2 እግዚኣብሄር ከኣ በለኒ፡ ንእኡን ንብዘሎ ህዝቡን ንሃገሩን ኣብ ኢድካ
ሂበካ ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሃዮ። ከምቲ ኣብ ሔስቦን ንዝነበረ ሲሆን ንጉስ ኣሞራውያን ዝገበርካዮ፡
ንእኡ ድማ ከምኡ ኽትገብሮ ኢኻ። 3 ከምኡ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንዖግ ንጉስ ባሳንን ንዅሉ
ህዝቡን ኣብ ኢድና ሀበና፡ ሓደ እኳ ኸይተረፎ ወቓዕናዮ። 4 በታ ጊዜ እቲኣ ዅላ ምድሪ ኣርጎብ፡
መንግስቲ ዖግ ኣብ ባሳን፡ ስሳ ኸተማ፡ ኲለን ከተማታቱ ሐዝና፡ ካባታቶም ዘይሐዝናያ ኸተማ
ኣይነበረትን። 5 ኲለን እዘን ከተማታት እዚኤን፡ ብጃካ እተን ዘይተዐርዳ ብዙሓት ከተማታት፡ ብነዊሕ
መካበብያ እተዐርዳ፡ ብመዓጹን ብመሸጐርን ዝጸንዓ እየን። 6 ከምቲ ንሲሆን ንጉስ ሔስቦን፡ ዝገበርናዮ
ድማ፡ ፈጺምና ኣጥፋእናዮም። ንዅለን ከተማታት ምስ ሰብኡትን ኣንስትን ቈልዑን ፈጺምና
ኣጥፋእናዮም። 7 ኲለን ማልን ካብ ከተማታት ዝገፈፍናዮን ግና ንኣና ዘመትናዮ። 8 እቲ ኻብ ለሰ ኣርኖን
ክሳዕ ከረን ሄርሞን፡ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ዝነበረት ሃገር፡ በታ ጊዜ እቲኣ ኻብ ኢድ ክልቲኦም ነገስታት
ኣሞራውያን ወሰድናያ። 9 ነዚ ሄርሞን ሲዶናውያን ሲርዮን ይብልዎ፡ ኣሞራውያን ግና ሰኒር ይብልዎ። 10
ኣብ ጐልጐል ዘለዋ ዅለን ከተማታትን ኲላ ጊልኣድን ኲላ ባሳንን ክሳዕ ሳልካን ኤድሬዒን፡ ከተማታት
መንግስቲ ዖግ ኣብ ባሳን። 11 ካብቶም ተረፍ ረፋውያን ግና ዖግ ንጉስ ባሳን በይኑ ተሪፉ ነበረ። እንሆ፡
ዓራቱ ዓራት ሓጺን ነበረ፡ ንሱ ኣብ ራባት ናይ ደቂ ዓሞን ደይኰነን፧ ምንዋሑ ብእመት ሰብ ትሽዓተ
እመት፡ ምግፋሑ ኸኣ ኣርባዕተ እመት ነበረ። 12 በታ ጊዜ እቲኣ እዛ ምድሪ እዚኣ ወረስና። ካብታ ኣብ
ለሰ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔር ፈረቓ ኸረን ጊልኣድን ከተማታትን ንደቂ ሮቤልን ንደቂ ጋድን ሀብክዎም። 13
ተረፍ ጊልኣድን ኲላ ባሳን መንግስቲ ዖግን ንፈረቓ ነገድ ምናሴ ሀብክዎም። ብዘላ ምድሪ ኣርጎብ፡ ኲላ
ባሳን፡ ሃገር ረፋውያን ትበሀል። 14 ያኢር ወዲ ምናሴ፡ ነታ ኽሳዕ ወሰን ግሹራውያንን ማዓካታውያንን
ዘላ ዅላ ምድሪ ኣርጎብ ሓዛ። ንእኤን፡ ማለት ባሳን፡ ብስሙ፡ እቲ ኽሳዕ ሎሚ ዚስመያሉ ዘለዋ፡
ሓዎትያኢር ኣውጽኣለን። 15 ንማኪር ድማ ጊልኣድ ሀብክዎ። 16 ንደቂ ሮቤልን ንደቂ ጋድን ድማ ካብ
ጊልኣድ ክሳዕ ለሰ ኣርኖን፡ ክሳዕ ፈረቓ እቲ ለሰን ዶቡን ድማ፡ ክሳዕ ርባ ያቦቅ፡ ንሱ ኸኣ ዶብ ደቂ
ዓሞን፡ 17 ድማ ጐልጐልን ዮርዳኖስን ዶብን ካብ ኪነረት ክሳዕ ናይ ጐልጐል ባሕሪ፡ ንሱ ባሕሪ ጨው፡
ኣብ እግሪ ጎቦታት ጲስጋ ብምብራቑ ሀብክዎም። 18 በታ ጊዜ እቲኣ ኸምዚ ኢለ ኣዘዝኩኹም፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እዛ ምድሪ እዚኣ ኽትርስተይዋ ሂብኩም እዩ እሞ፡ ኣብ ሓይሊ ዘበልኩም
ኣጽዋር ሒዝኩም ቀቅድሚ ኣሕዋትኩም ደቂ እስራኤል ሕለፉ። 19 ኣንስትኹምን ቈልዑኹምን

ከብትኹምን ግና፡ ብዙሓት ከብቲ ኸም ዘሎኩም እፈልጥ እየ፡ ኣብተን ዝሀብኩኹም ከተማታት
ይቀመጡ። 20 እግዚኣብሄር ነሕዋትኩም ድማ ከማኻትኩም ክሳዕ ዜዕርፎም፡ እታ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ዚሀቦም ምድሪ ኽሳዕ ዚርስተይዋ፡ ጽንሑ። ድሕርቲ ነፍሲ ወከፍኩም
ነናብታ ዝሀብኩኹም ርስትኹም ትምለሱ። 21 በታ ጊዜ እቲኣ ድማ ንእያሱ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ኣብዞም ክልተ ነገስታት እዚኣቶም ዝገበሮ፡ ኣዒንትኻ ርእየን፡ ነተን ናብኤን እትሐልፍ ዘሎኻ ኹለን
መንግስትታት ከኣ እግዚኣብሄር ከምኡ ኺገብር እዩ፡ 22 እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ንሱ እዩ
ዚዋግኣልኩም እሞ፡ ኣይትፍርህዎም፡ ኢለ ኣዘዝክዎ። 23 በታ ጊዜ እቲኣ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ከምዚ ኢለ
ለመንክዎ፡ 24 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንባርያኻ ዕቤትካን እታ ጽንዕቲ ኢድካን ከተርእየኒ ጀመርካ፡
ከመይሲ ኣብ ሰማይ ኰነ ኣብ ምድሪ ኸም ግብርኻን ከም ሓይልኻን ኪገብር ዚኽእል ኣየናይ ኣምላኽ
እዩ፧ 25 ነዛ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ዘላ ጽብቕቲ ምድሪ፡ ነቲ ጽቡቕ ከረንን ንሊባኖስን፡ ክርኢ ኹታ
ኣሕልፈኒ፡ በልኩ። 26 እግዚኣብሄር ግና ብሰርኹም ተቘጥዓኒ፡ ኣይሰምዓንን ከኣ። እግዚኣብሄር ድማ
በለኒ፡ ይኣኽለካ፡ በዚ ነገር እዚ መሊስካ ኣይትዛረበኒ፡ 27 ነዚ ዮርዳኖስ ኣይትሳገሮን ኢኻ እሞ፡ ናብ
ርእሲ ጺስጋ ደይብ፡ ኣዒንትኻ ኣልዒልካ ኸኣ ንምዕራብን ንሰሜንን ንደቡብን ንምብራቕን በዒንትኻ
ጠምት። 28 እያሱ ግና ቀቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ ኪሐልፍ፡ ንሱ ኸኣ ነዛ እትርእያ ዘሎኻ ምድሪ
ኺረስትዮም እዩ እሞ፡ ንእኡ ኣዝዞ፡ ኣጽንዓዮ ኣትብዓዮውን። 29 ኣብቲ ኣብ መንጽር ቤትጴዖር ዘሎ ለሰ
ድማ ጸናሕና።

## ምዕራፍ 4

1 ሕጂ ድማ፡ ዎ እስራኤል፡ ምእንቲ ብህይወት ክትነብሩን ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም
ዚህበኩም ምድሪ ኽትኣትዉን ክትወርስዋን፡ ነዚ ኣነ ኽትገብሮ ኢለ ዝምህረካ ዘሎኹ ሕጋጋትን
ፍርድታትን ስማዕ። 2 ነዚ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምእንቲ
ኽትሕልዉ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣነ ዝእዝዘኩም ነገር ኣይትወስኹ፡ ካብኡ ኸኣ ኣይትነክዩ። 3 እግዚኣብሄር
ብናይ በዓልጴዖር ዝገበሮ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ነቶም ንበዓልጴዖር ዝሰዐቡ ኹሎም ሰባት ካብ
ማእከልካ ኸምዘጥፍኦም፡ ኣዒንትኹም ርእየን። 4 ንስኻትኩም ግና ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
እተጸጋዕኩም፡ ኩልኻትኩም ሎሚ ብህይወትኩም ኣሎኹም። 5 እንሆ፡ ኣብታ ኽትወርስዋ እትኣትውዋ
ዘሎኹም ሃገር ከምኡ ኽትገብሩ፡ ኣነ ኸምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ዝኣዘዘኒ ሕጋጋትን ፍርድታትን
መሀርኩኹም። 6 ንስኻትኩም ከኣ፡ እዚኣተን ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ጥበብኩምን ምስትውዓልኩምን
እየን እሞ፡ ስለዚ ሐልውወን ግበርወን ድማ። ንኹሉ እዚ ሕጋጋት እዚ ሰሚዖም፡ እዚ ዓብዪ ህዝቢ እዚ
ብሓቂ ፈላጥን ኣስተውዓልን ህዝቢ እዩ፡ ኪብሉ እዮም። 7 ከምቲ እግዚብሄር ኣምላኽና ብእንጽውዖ
ዘበለ ዚቐርበና፡ ከምኡ ኣምላኹ ዚቐርቦ፡ ኣየናይ ዓብዪ ህዝቢ እዩ፧ 8 ከምዚ ኣነ ሎሚ ኣብ ቅድሜኹም
ዘንብረልኩም ዘሎኹ ኹሉ ሕጊ፡ ከምኡ ቅኑዕ ሕጋጋትን ፍርድታትን ዘለዎኸ፡ ኣየናይ ዓብዪ ህዝቢ እዩ፧
9 ሓንትስ እቲ ዓይንኻ ዝረኣዮ ነገር ከይትርስዖ፡ ብኹሉ መዓልትታት ህይወትካ ድማ ካብ ልብኻ
ኸይወጽእ፡ ንደቅኻን ንደቂ ደቅኻን ደኣ ኽተፍልጦም፡ ንርእስኻ ተጠንቀቕ፡ ነፍስኻ ሐሉ። 10 እታ ኣብ
ሆሬብ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝቘምካላ መዓልቲ፡ እግዚኣብሄር ከኣ፡ እቶም ህዝቢ ኣብ
ምድሪ ዚነብሩለን ኵለን መዓልትታት ምፍራሄይ ኪመሀሩ፡ ንደቆም ድማ ኪምህሩስ፡ ቃለይ ከስምዖም
ናባይ ኣክቦም፡ ኢሉ ተዛረበኒ። 11 ንስኻትኩም ድማ ቀረብኩም፡ ኣብ እግሪ እቲ ኸረን ከኣ ደው

በልኩም። እቲ ኸረንውን ክሳዕ ማእከል ሰማይ ሓዊ ይነድድ ነበረ፡ ጸልማትን ደበናን ጣቓን ድማ ነበሮ።
[12] እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ውሽጢ እቲ ሓዊ ተዛረበኩም፡ ድምጺ ዘረባኡ ሰማዕኩም፡ ድምጺ ጥራይ
እምበር፡ መልክዕሲ ከቶ ኣይርኤኹምን። [13] እቲ ኽትገብርዎ ዝኣዘዘኩም ኪዳን፡ ዓሰርተ ቓላት ድማ
ገለጸልኩም። ኣብ ክልተ ጽላት እምኒ ኸኣ ጸሐፎ። [14] እግዚኣብሄር በታ ጊዜ እቲኣ ድማ ንኣይ ኣብታ
ኽትወርስዋ እትሓልፍዋ ምድሪ ኽትገብርዎ ሕጋጋትን ፍርድታትን ክምህረኩም ኣዘዘኒ። [15] በታ
እግዚኣብሄር ኣብ ሆሬብ ካብ ማእከል ሓዊ ኺዛረበኩም መዓልቲ ገለ መልክዕ እኳ ኣይርኤኹምን እሞ፡
ተጠንቀቕኩም ነፍሳትኩም ሐልዉ። [16] ብዝኾነ ምስሊ፡ ብመልኽዕ ሰብኣይ ወይ ናይ ሰበይቲ እተወቕረ
ምስሊ ብምግባርኩም ከይትባላሽዉ፡ [17] ኣብ ልዕሊ ምድሪ ናይ ዘሎ ምስሊ ኹሉ እንስሳ፡ ምስሊ መንፈሪ
ዘለዋ ኣብ ሰማይ እትነፍር ዑፍውን፡ [18] ምስሊ ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ኩሉ፡ ምስሊ ኣብ ትሕቲ
ምድሪ ኣብ ማይ ዘሎ ኹሉ ዓሳ ኸኣ፡ [19] ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን፡ ኩሎም ሰራዊት ሰማይ ርኢኻ
ኣዒንትኻ ንሰማይ ከይተልዕል፡ እሞ ነቶም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘለዉ ኹሎም
ህዝብታት ዝመቐሎም፡ ናብ ምስጋዶምን ምግልጋሎምን ከይትስሐብ ተሐሎ። [20] ንኣኻትኩም ግና ከምዚ
ሎሚ ዘሎኹምዎ፡ ምእንቲ ህዝቢ ርስቲ ኽትኮንዎ ኢሉ፡ እግዚኣብሄር ካብ እቶን ሓጺን፡ ካብ ግብጺ
ኣውጺኡኩም እዩ። [21] እግዚኣብሄር ድማ ብሰርኹም ተቘጥዓኒ እሞ፡ ኣነ ንዮርዳኖስ ከይሳገር፡ ናብታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንርስቲ ዚህበካ ጽብቕቲ ምድሪ ኸኣ ከይአቱ መሐለ። [22] ኣነ ንዮርዳኖስ
ከይተሳገርኩ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኽመውት እየ እሞ፡ ንስኻትኩም ግና ክትሳገሩ ነታ ጽብቕቲ ምድሪ
ድማ ክትወርስዋ ኢኹም። [23-24] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚባላዕ ሓዊ፡ ቀናእ ኣምላኽ እዩ እሞ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምሳኻትኩም ዝኣተዎ ኺዳን ከይትርስዑ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኸልከለካ
ዘበለ ገለ መልክዕ ዘለዎ እተወቕረ ምስሊ ኸይትገብሩ ተጠንቀቑ። [25] ደቅን ደቂ ደቅን ምስ ወለድካ፡
ኣብታ ምድሪ ኸኣ ነዊሕ ዘበን ምስ ተቐመጥኩም፡ ናይ ዝኾነ ገለ መልክዕ ዘለዎ እተወቕረ ምስሊ
ብምግባርኩም ምስ እትበላሸዉ፡ ምእንቲ ኸተኹርይዎ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ክፉእ
ምስ እትገብሩ፡ [26] ካብታ ዮርዳኖስ ተሳጊርኩም እትወርስዋ ምድሪ ቐልጢፍኩም ከም እትጸንቱ፡ ኣነ
ሎሚ ሰማይን ምድርን ኤመስክረልኩም ኣሎኹ። ፈጺምኩም ትበርሱ እምበር፡ ነዊሕ መዓልቲ
ኣይትነብርዋን ኢኹም። [27] እግዚኣብሄር ናብ ማእከል ህዝብታት ኪብትነኩም እዩ፡ ኣብቶም እግዚኣብሄር
ናብኦም ዚወስደኩም ኣህዛብ ሒደት ቍጽሪ ኽትተርፉ ኢኹም። [28] ኣብኡ ነቶም ብኢድ ሰብ እተገብሩ
ብዘይርእዮ፡ ዘይሰምዑ፡ ዘይበልዑ፡ ዘይጨንዉ ኣማልኽቲ ዕጨይትን እምንን ከተገልግሉ ኢኹም። [29]
ካብኡ ግና ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ደሊኻዮ፡ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን እንተ ደሊኻዮስ፡
ክትረኽቦ ኢኻ። [30] ምስ ጸበበካ፡ እዚ ኹሉ ምስ በጽሓካ፡ ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ናብ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ክትምለስ ኢኻ፡ ቃሉ ኸኣ ክትሰምዕ ኢኻ። [31] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ርሕሩሕ
ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ኣይሐድገካን ኣየጥፍኣካን፡ ነቲ ምስ ኣቦታትካ ዝመሐሎ ኺዳን ኣይርስዖን። [32] ካብታ
እግዚኣብሄር ንሰብ ኣብ ምድሪ ዝፈጠረላ መዓልቲ፡ ካብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ሓደ ወሰን
ሰማይ ከምዚ ዝበለ ዓብዩ ነገር ኰይኑ እንተ ኾነ፡ ወይ ነዚ ዚመስል ተሰሚዑ እንተ ኾይኑ፡ ነቲ
ቕድሚኻ ዝነበረ ቐዳሞት ዘበናት ጠይቕ። [33] ከምዚ ንስኻ ዝሰማዕካዮ፡ ኣምላኽ ካብ ማእከል ሓዊ
ኺዛረብ ቃሉ ዘሰምዔ፡ ብህይወት ከኣ ዚነብር ህዝቢዶ ኣሎ፧ ወይ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ምእንታኹም ኣብ ግብጺ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ዝገበሮ፡ መጺኡ ብፈተናን ብትእምርትን ብተኣምራትን
ብውግእን ብሓያል ኢድን ብዝርግሕቲ ቕልጽምን ብዓብዩ መፍርህን ካብ ማእከል ካልእ ህዝቢ ንእኡ
ዚኸውን ህዝቢ ኺወስድ ዝፈተነ ኣምላኽዶ ኣሎ፧ [34] ወይ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምእንታኹም

ኣብ ግብጺ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ዝገበሮ፡ መጺኡ ብፈተናን ብትእምርትን ብተኣምራትን ብውግእን
ብሓያል ኢድን ብዝርግሕቲ ቕልጽምን ብዓብዪ መፍርህን ካብ ማእከል ካልእ ህዝቢ ንእኡ ዚኸውን
ህዝቢ ኺወስድ ዝፈተነ ኣምላኽዶ ኣሎ፧ [35] እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ብጃካኡ ኻልእ ከም
ዜልቦ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ ንኣኻ ተራእየካ። [36] ምእንቲ ኺምህረካ፡ ካብ ሰማይ ድምጹ ኣስምዓካ፡ ኣብ
ምድሪ ኸኣ ዓብዪ ሓዉ ኣርኣየካ፡ ቃላቱ ድማ ካብ ማእከል ሓዊ ሰማዕካ። [37] ነቦታትካ ስለ ዝፈተዎም
ድማ፡ ብድሕሪኦም ንዘርኦም ሐረየ፡ ባዕሉ ኸኣ ብዓብዪ ሓይሉ ቀቅድሚኡ ኻብ ግብጺ ኣውጽኣካ። [38]
ሃገሮም ርስቲ ገይሩ ኺህበካ፡ ናብኣ ምእንቲ ኼእትወካ፡ ከምዚ ሎሚ ኹይንዎ ዘሎ ኻባኻ ዚዕብዩን
ዚሕይሉን ህዝብታት ካብ ቅድሜኻ ሰጒጎም። [39] እምበኣር ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ኣብ ታሕቲ ኸኣ ኣብ
ምድሪ፡ እግዚኣብሄር፡ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ ካልእ ከምዜልቦ፡ ሎሚ ፍለጥ፡ ኣብ ልብኻውን ሕሰቦ።
[40] ንኣኻን ብድሕሬኻን ድማ ንደቅኻን ኪጽብቐልካ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንሓዋሩ ዚህበካ
ምድሪ ኸኣ መዓልትታትካ ምእንቲ ኺነውሕ፡ እቲ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ሕጋጋቱን ትእዛዛቱን
ሐሉ። [41] ሽዑ ሙሴ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ብወገን ምብራቕ ሰለስተ ኸተማ ፈለየ። [42] ቅድም ጽልኢ
ዘይነበሮ ብዘይ ፍልጠት ብጻዩ ዝቐተለ ቐታሊ ዚህድመለን፡ ንሱ ናብ ሓንቲ ኻብዘን ከተማታት እዚኤን
ሀዲሙ ምእንቲ ብህይወት ኪነብር እዚ ገበረ። [43] ንደቂ ሮቤል ቤጾር ኣብ በረኻ ኣብ ጐልጐል፡ ንደቂ
ጋድ ከኣ ራሞት ናይ ጊልኣድ፡ ንደቂ ምናሴ ድማ ጎላን ኣብ ባሳን። [44] ሙሴ ድማ ኣብ ቅድሚ ደቂ
እስራኤል ዘንበሮ ሕጊ እዚ እዩ። [45] ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ሙሴ ዝነገሮም ምስክራትን
ሕጋጋትን ፍርድታትን እዚ እዩ። [46] ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡ ኣብ ርባ፡ ኣብ መንጽር ቤትጼዖር፡ ኣብ ምድሪ
ሲሆን፡ ኣብ ሔስቦን ዝነበረ ንጉስ ኣሞራውያን፡ ሙሴን ደቂ እስራኤልን ካብ ግብጺ ምስ ወጹ
ዝወቕዕዎ፡ [47] ምድሩን ምድሪ ዖግ ንጉስ ባሳንን፡ ናይ ክልቲኦም ነገስታት ኣሞራውያን፡ ኣብ ማዕዶ
ዮርዳኖስ፡ ብምብራቕ ጸሓይ ዝነበረ፡ ሐዙ። [48] ካብታ ኣብ ገምገም ርባ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔር ክሳዕ ከረን
ሲዮን፡ ንሱ ኸኣ ሄርሞን፡ [49] ኲሉ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ብሸነኽ ምብራቕ ዘሎ ጐልጐል፡ ክሳዕ እቲ ኣብ
እግሪ ጐቦታት ጲስጋ ዘሎ ባሕሪ ጐልጐል ድማ ሐዙ።

## ምዕራፍ 5

[1] ሙሴ ድማ ንኹሎም እስራኤል ጸዊዑ፡ በሎም፡ ዎ እስራኤል፡ እዚ ኣነ ሎሚ ኣብ ኣእዛንኩም
ዝነግረኩም ዘሎኹ ሕጋጋትን ፍርድታትን ስማዕ፡ ተመሀርዎን ሐልውዎን ግበርዎን ከኣ። [2] እግዚኣብሄር
ኣምላኽና ኣብ ሆሬብ ምሳና ኺዳን ኣተወ። [3] እግዚኣብሄር እዚ ኺዳን እዚ፡ ንሕና ኹልና ኣብዚ ሎሚ
ብህይወት ምስ ዘሎና፡ ምሳና እምበር፡ ምስ ኣቦታትና ኣይኣተዎን። [4] እግዚኣብሄር ኣብቲ ኸረን ካብ
ማእከል ሓዊ ገጽ ንገጽ ተዛረበኩም። [5] ሽዑ ሓዊ ፈሪሀኩም ናብቲ ኸረን ኣይደየብኩምን እሞ በታ ጊዜ
እቲኣ፡ እቲ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ምእንቲ ኽነግረኩም፡ ኣነ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ኣብ መንጎኹምን
ቄምኩ። ንሱ በለ፡ [6] ካብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጻእኩኻ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ።
[7] ኣብ ቅድመይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይሀልዉኻ። [8] ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ካብ ዘለዉ፡ ኣብ ታሕቲ ኣብ
ምድሪ ኻብ ዘለዉ፡ ወይ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ኣብ ማይ ካብ ዘለዉ እተወቕረ ምስልን ስእሊ ዘበለን ንኣኻ
ኣይትግበር፡ [9] ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ንዚጸልኡኒ ሓጢኣት ኣቦታት ኣብ ደቂ ኽሳዕ ሳልሳይን ክሳዕ
ራብዓይን ወለዶ ዝቕጽዕ፡ ቀናእ ኣምላኽ እየ እሞ፡ ኣይትስገደሎም፡ ኣይተምልኮም። [10] ንዚፈትዉኒ፡
ትእዛዛተይ ንዚሕልዉ ኸኣ ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ምሕረት ዝገብር እየ። [11] እግዚኣብሄር ስሙ ብኸንቱ

ንዜልዕል ናጻ ኣይሓድጎን እዩ እሞ፡ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኸንቱ ኣይተልዕል። 12 ንመዓልቲ
ሰንበት ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ፡ ክትቅድሳ ሐልዋ። 13 ሹድሽተ መዓልቲ ዕዮ፡ ኲሉ
ተግባርካ ግበሮ። 14 እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ግና ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሰንበት እያ። ብእኣ
ግዙእካን ግዝእትኻን ድማ ከማኻ ምእንቲ ኺዐርፉስ፡ ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእካን ግዝእትኻን
ብዕራይካን ኣድግኻን ወይ ዅሉ ማልካ፡ ወይ ኣብ ውሽጢ ደጌኻ ዘሎ ጓናኻ ዝኾነ ዕዮ ኣይትዕየዩ። 15
ንስኻ ድማ ኣብ ሃገር ግብጺ ባርያ ኸም ዝነበርካ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸኣ ብጽንዕቲ ኢድን
ብዝርግሕቲ ቕልጽምን ካብኡ ኸም ዝውጽኣካ ዘክር፡ ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ መዓልቲ ሰንበት
ክትሕሉ፡ ኣዘዘካ። 16 ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ዕድሜኻ ምእንቲ ኺነውሕ፡ ምእንቲ
ኺጽብቐልካውን፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር። 17 ኣይትቕተል። 18
ኣይትዘሙ። 19 ኣይትስረቕ። 20 ኣብ ብጻይካ ብሓሶት ኣይትመስክር። 21 ሰበይቲ ብጻይካ ኣይትመነ። ቤት
ብጻይካ፡ ግራቱ ወይ ግዙኡ ወይ ግዝእቱ፡ ብዕራዩ ወይ ኣድጉ ወይ ናይ ብጻይካ ዘበለ ዅሉ ኣይትመነ።
22 እዘን ቃላት እዚኤን እግዚኣብሄር ኣብቲ ኸረን ካብ ማእከል ደበናን ጣቓን ዓው ኢሉ፡ ንብዘላ
ማሕበርኩም ተዛረበ፡ ካልእ ኣይወሰኸን። ኣብ ክልተ ጽላት እምኒ ጺሒፉ ኸኣ ንኣይ ሀበኒ። 23 ኰነ ኸኣ፡
ኲሉ እቲ ኸረን ኪነድድ ከሎ፡ ካብቲ ጸልማት ቃል ምስ ሰማዕኩ፡ ዅላቶም ሓላቑ ነገዳትኩምን
ሽማግሌታትኩምን ናባይ ቀረብኩም፡ 24 በልኩም ድማ፡ እንሆ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽብረቱን ዕቤቱን
ኣርኣየና፡ ድምጹውን ካብ ማእከል ሓዊ ሰማዕና፡ ኣምላኽ ምስ ሰብ ኪዛረብ፡ ንሱ ኸኣ ብህይወት
ኪነብር ሎሚ ርኤና። 25 ሕጂ ድማ ስለምንታይ እንመውት፧ እዚ ዓብዩ ሓዊ ኺበልዓና እዩ እሞ፡ ድምጺ
እግዚኣብሄር ኣምላኽና መሊስና እንተ ሰማዕና፡ ክንመውት ኢና። 26 ካብ ዅሉ ስጋኸ ኸማና ድምጺ
ህያው ኣምላኽ ካብ ማእከል ሓዊ ኺዛረብ ሰሚዑስ ብህይወት ዝነበረ መን ኣሎ፧ 27 ንስኻ ደኣ ቕረብ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚብሎ ዅሉ ድማ ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝነግረካ ዅሉውን ንስኻ
ንገረና፡ ንሕና ኸኣ ክንሰምዖን ክንገብሮን ኢና። 28 ክትዛረቡኒ ኸሎኹም ድማ፡ እግዚኣብሄር ቃል
ዘረባኹም ሰምዔ፡ እግዚኣብሄር ከኣ በለኒ፡ ቃል ዘረባ እዚ ህዝቢ እዚ እቲ እተዛረቡኻ ሰሚዔዮ ኣሎኹ፡
እትዛረብዎ ዅሉ ጽቡቕ እዩ፡ 29 እሞ ንኣታቶምን ንደቆምን ንዘለኣለም ምእንቲ ኺጽብቐሎም፡
ኪፈርሁንን ዅሉ ትእዛዛተይ ኪሕልዉን፡ ንሓዋሩ እዚ ልቢ እዚ እንተ ዚህልዎም መን ምሀበ። 30 ኪዱ፡
ናብ ድንኳናትኩም ተመለሱ፡ በሎም። 31 ንስኻ ግና፡ ኣብታ ኣነ ንርስቲ ዝህቦም ምድሪ ኺገብርዎ፡ እቲ
እትምህሮም ሕጋጋተይን ትእዛዛተይ ፍርድታተይ ክነግረካ፡ ኣብዚ ምሳይ ደው በል። 32 ከምቲ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዝኣዘዘኩም ክትገብሩ ድማ ተጠንቀቑ። ካብኡ ንየማን ኰነ ንጸጋም
ኣይትዝበሉ። 33 ኣብታ እትወርስዋ ምድሪ ምእንቲ ብህይወት ክትነብሩ፡ ኪጽብቐልኩምውን ዕድሜኹም
ድማ ኪነውሕ፡ በታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዝኣዘዘኩም ኵላ መገዲ ኺዱ።

# ምዕራፍ 6

1 እቲ ኣብታ ክትርስተይዋ እትሐልፍዋ ዘሎኹም ሃገር ክትገብርዎ፡ ኣነ ኽምህረኩም፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ዝኣዘዘኒ ትእዛዛትን ሕጋጋትን ፍርድታትን ድማ እዚ እዩ። 2 ንስኻን ወድኻን ደቂ ደቅኻን
ምሉእ ዕድሜኻ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምእንቲ ኽትፈርህ፡ ዕድሜኻ ድማ ምእንቲ ኺነውሕ፡ እዚ ኣነ
ዝእዝዘካ ዘሎኹ ዅሉ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ሓሉ። 3 ስለዚ፡ ዎ እስራኤል፡ ስማዕ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ኣቦታትካ ዝበለካ፡ ኪጽብቐልካን ኣብታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ሃገርን ድማ ኣዚኻ

ኽትበዝሕን፡ ክትገብሮ ተጠንቀቕ። 4 ዎ እስራኤል፡ ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ሓደ እግዚኣብሄር
እዩ። 5 ንስካ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብዅሉ ልብኻን ብዅሉ ነፍስኻን ብዅሉ ሓይልኻን ፍተዎ።
6 እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ቓላት ኣብ ልብኻ ይኹን። 7 ንደቅኻ ምሃሮም፡ ኣብ ቤትካ ኾፍ ምስ
በልካን ኣብ መገዲ ኽትከይድ ከሎኻን ኣብ በጥ ምባልካን ኣብ ምትንሳእካን ብእኡ ተዛረብ። 8
ንምልክት ኣብ ኢድካ እሰሮ፡ ኣብ መንጎ ኣዒንትኻ ድማ ክታብ ይኹን። 9 ኣብ ልዳት ቤትካን ኣብ
ማዕጾኻን ድማ ጽሐፎ። 10 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ነቦታትካ፡ ንኣብርሃምን
ንይስሃቅን ንያእቆብን፡ ንኣኻ ኺህበካ፡ ዝመሐለሎም ምድሪ፡ ምስ ኣእተወካ፡ ዘይሰራሕካየን ዓበይትን
ጽቡቓትን ከተማታት፡ 11 ዘይመላእካየን ኵሉ ጽቡቕ ዘበለ ዝመልኣ ኣባይትን፡ ዘይኰዐትካዮ ዅዑት
ዔላታትን፡ ዘይተኸልካዮ ወይንን ኣውልዕን ከኣ ምስ ሀበካ፡ እሞ በሊዕካ ምስ ጸገብካ፡ 12 ሽዑ ነቲ ኻብ
ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጽኣካ እግዚኣብሄር ከይትርስዖ ተጠንቀቕ። 13 ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ፍራህ፡ ንእኡ ድማ ኣገልግል ብስሙውን ምሓል። 14-15 እቲ ኣብ ማእከልካ ዘሎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ቀናእ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ኵራ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣባኻ ኸይነድድ ካብ ገጽ ምድሪውን
ከየብርሰካስ፡ እቶም ኣብ ዙርያኻ ዚነብሩ ህዝብታት ንዜምልኽዎም ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይትስዐቡ። 16
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ከምቲ ኣብ ማሳ ዝፈተንኩምዎ፡ ኣይትፈትንዎ። 17 ትእዛዛት እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም፡ ንዝኣዘዘካ ምስክሩን ሕጋጋቱን ከኣ ኣጽኒዕኩም ሓልዉ። 18-19 ከምቲ እግዚኣብሄር
እተዛረቦ፡ ምእንቲ ኺጽብቐልካ፡ ንዅሎም ጸላእትኻ ኻብ ቅድሜኻ ኪሰጎም፡ ናብታ እግዚኣብሄር
ነቦታትካ ዝመሓለሎም ጽብቕቲ ምድሪ ኸኣ ክትኣቱን ክትርስተያን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕን
ጽቡቕን ግበር። 20 ንዳሕራዩ ወድኻ፡ እዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝኣዘዘና ምስክራትን ሕጋጋትን
ፍርድታትን እንታይ እዩ፧ ኢሉ እንተ ሓተተካ፡ 21 ሽዑ ንወድኻ በሎ፡ ኣብ ግብጺ ባሮት ፈርኦን ነበርና፡
እግዚኣብሄር ከኣ ብሓያል ኢድ ካብ ግብጺ ኣውጽኣና። 22 እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ግብጺ፡ ኣብ ፈርኦንን
ኣብ ብዘሎ ቤቱን፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ዓበይትን ዚጐድእን ትእምርትን ተኣምራትን ገበረ። 23 ንኣና ግና፡
ናብታ ነቦታትና ዝመሐለሎም ምድሪ ምእንቲ ኼእትወናን ንእኣ ኺህበናን፡ ካብ ግብጺ ኣውጽኣና። 24
ምሉእ ዕድሜና ምእንቲ ጽቡቕ ኪኸነልና ኸምዚ ሎሚ ዘሎናዮ ኸኣ፡ ብህይወት ኬንብረና፡
እግዚኣብሄር ነዚ ዅሉ ትእዛዛት ክንገብሮ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ድማ ክንፈርሆ ኣዘዘና። 25 ንኣና
ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ከምቲ ዝኣዘዘና፡ ንዅሉ እዚ ትእዛዛት እዚ ንምግባሩ እንተ
ተጠንቀቕና፡ ጽድቂ ይኸነልና።

# ምዕራፍ 7

1 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ናብታ ኽትወርሳ እትኣትዋ ዘሎኻ ምድሪ ምስ ኣእተወካ፡ ብዙሓት
ህዝብታትውን ካብ ቅድሜካ ምስ ሰጐጐልካ፡ ሔታውያንን ጌርሳውያንን ኣሞራውያንን ከነኣናውያንን
ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን፡ ሾብዓተ ኻባኻ ዚዐብዩን ዚሕይሉን ህዝብታት፡ 2 እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ኣብ ቅድሜካ ኣሕሊፉ ምስ ዚህበካ፡ እሞ ምስ እትወቕዖም፡ ፈጺምካ ኣጥፍኣዮም። ኪዳን
ኣይትተኣታተዎም ኣይትምሓሮምውን። 3 ኣይትዋሰቦም፡ ጓልካ ንወዱ ኣይትሀቦ፡ ጓሉ ኸኣ ንወድኻ
ኣይትውሰድ። 4 ንደቅኻ፡ ካልኦት ኣማልኽቲ ምእንቲ ኼምልኹ ካብ ምስዓበይ ይመልሶም እሞ፡ ኵራ
እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኹም ይነድድ፡ ቀልጢፉ ኸኣ የጥፍኣካ። 5 ከምዚ ደኣ ግበርዎም፡ መሰውኢታቶም
ኣፍርሱ፡ ሓወልትታቶምውን ሰብብሩ፡ ጣኦታቶም ኣውድቑ። እተጸርበ ምስልታቶም ከኣ ብሓቂ

ኣንድዱ። 6 ንስኻስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ቅዱስ ህዝቢ ኢኻ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ካብ
ኵሎም ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ዘለዉ ህዝብታት ፈልዩ፡ ህዝቡ ኽትኰኖ ሓረየካ። 7 እግዚኣብሄር
ዝፈተወኩምን ዝሐረየኩምን፡ ካብ ኵሎም ካልኦት ህዝብታት ስለ ዝበዛሕኩም ኣይኰነን፡ ካብ ኵሎም
ህዝብታት እኳ ንስኻትኩም ትውሕዱ። 8 እግዚኣብሄር ስለ ዝፈተወኩምን እቲ ነቦታትኩም ዝመሐለሎም
ማሕላ ስለ ዝሐለወን፡ እግዚኣብሄር ብሓያል ኢድ ኣውጽኣኩም። ካብ ቤት ባርነት ድማ፡ ካብ ኢድ
ፈርኦን ንጉስ ግብጺ፡ ኣድሐነካ። 9 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ንዚፈትውዎን
ትእዛዙ ንዚሕልዉን ክሳዕ ሽሕ ወለዶ ምሕረት ዚገብር፡ ኪዳን ዚሕሉ እሙን ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡
ፍለጥ። 10 ነቶም ዚጸልእዎ ግና፡ ኣብ ቅድሚ ገጾም ንጥፍኣቶም ይፈድዮም። ንዚጸልኦ ኣይድንጒን፡ ኣብ
ቅድሚ ገጹ ደኣ ይፈድዮ። 11 እምበኣርሲ፡ እዚ ሎሚ ኣነ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዝን ሕጋጋትን
ፍርድታትን ክትገብሮ፡ ተጠቀቕ። 12 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እዚ ፍርድታት እዚ ሰሚዕካ ስለ ዝሐሎኻዮን
ስለ ዝገበርካዮን፡ ንኣኻ ድማ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እቲ ነቦታትካ ዝመሐለሎም ኪዳንን ምሕረትን
ኪሕልወልካ እዩ፡ 13 ኪፈትወካን ኪባርኸካን ኬብዝሓካን ከኣ እዩ። ኣብታ ንኣኻ ኪህበካ ነቦታትካ
ዝመሐለሎም ምድሪ ድማ፡ ፍረ ኸርስኻን ፍረ ምድርኻን ስርናይካን ወይንኻን ዘይትኻን፡ ኣባትይ
ኣሓኻን ዕያውቲ ኣባጊዕካን ኪባርኸልካ እዩ። 14 ሓለፉ ኹሎም ህዝብታት ክትባረኽ ኢኻ። ኣባኻ
ሰብኣይ ኰነ ሰበይቲ ወይ ኣብ ማልካ መኻን ኣይከውንን። 15 እግዚኣብሄር ድማ ሕማም ዘበለ ኻባኻ
ኼርሕቕ እዩ፡ እቲ እትፈልጦ ኹሉ ኽፉእ ሕማም ግብጺ ድማ ኣየምጽኣልካን እዩ። ናብ ኵሎም
ዚጸልኡኻ ደኣ የምጽኣሎም። 16 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንዚህበካ ኹሎም ህዝብታት ድማ ክትውድኦም
ኢኻ፡ ዓይንኻ ኣይትንሐፎም፡ ኣማልኽቶምውን መፈንጠራ ኽይኰኑኻ፡ ኣይተምልኮም። 17 ብልብኻ
ድማ፡ እዞም ህዝብታት እዚኣቶም ካባይ ዚበዝሑ እዮም እሞ፡ ከመይ ገይረ ኽውጽኦም እኽእል፡ እንተ
በልካ፡ 18 ኣይትፍርሃዮም፡ እቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ፈርኦንን ኣብ ኵላ ግብጽን ዝገበሮ፡ 19 ነቲ
ኣዒንትኻ ዝረኣያኦ ዓብዪ ፈተናታትን ትእምርትታትን ተኣምራትን፡ ነታ ሓያል ኢድን ዝርግሕቲ
ቕልጽምን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብእኣ ዘውጽኣካ፡ ኣጸቢቕካ ዘክር። ነዞም ኵሎም እትፈርሆም ዘሎኻ
ህዝብታት፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸምኡ ኺገብሮም እዩ። 20 ነቶም ዝተረፉን ካብ ቅድሜኻ
እተሐብኡን ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽሳዕ ዚጠፍኡ፡ ዕኰት ኪሰደሎም እዩ። 21 እቲ ዓብይን
መፍርህን ኣምላኽ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ኣብ ማእከልካ እዩ እሞ፡ ብኣታቶም ኣይትፍራህ። 22 ነዞም
ህዝብታት እዚኣም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ቅድሜኻ በብሒደት ኪሰጎም እዩ። ኣራዊት መሮር
ምእንቲ ኸይበዝሑኻስ፡ ብሓንሳእ ከተጥፍኦም ኣይትኽእልን። 23 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንኣታቶም ኣብ
ቅድሜኻ ኣሕሊፉ ኺህበካ እዩ፡ ብዓብዪ ስምባድ ድማ ክሳዕ ዚጠፍኡ የሸብሮም። 24 ንነገስታቶም ከኣ
ኣብ ኢድካ ኺህበካ እዩ፡ ስሞም ድማ ካብ ትሕቲ ሰማይ ከተጥፍእ ኢኻ። ክሳዕ እተጥፍኦም፡ ኣብ
ቅድሜኻ ኪቃወም ዚኽእል ሰብ የልቦን። 25 እተወቕረን እተጸርበን ምስልታት ኣማልኽቶም ብሓዊ
ኣንድዱ፡ ነቲ ኣባታቶም ዘሎ ብሩርን ወርቅን ኣይትመነዮ፡ እዚ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ፍንፉን እዩ
እሞ፡ ብእኡ ኸይትሕንኰልሲ፡ ካብኡ ንኣኻ ገለ ኣይትውሰድ። 26 ንስኻ ድማ ከምኡ ምእንቲ ሕሩም
ከይትኸውንሲ፡ ገለ ፍንፉን ነገር ናብ ቤትካ ኣይተእቱ፡ ተሐሪሙ እዩ እሞ፡ ኣዚኻ ጽልኣዮን ፈንፍኖን።

## ምዕራፍ 8

1 ምእንቲ ብህይወት ክትነብሩን ክትበዝሑን፡ ናብታ እግዚኣብሄር ነቦታትኩም ዝመሐለሎም ምድሪ

ኽትኣትዉን ክትወርስዋን፡ ነዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ዅሉ ትእዛዛት ተጠንቂቕኩም ግበርዎ። 2
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ በዘን ኣርባዓ ዓመት ኣብ በረካ ዝመርሃካ ዅሉ መገዲ፡ ትእዛዛቱ እትሕሉ
እንተ ዄንካ ወይ ዘይትህሉ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎ ዅሉ ምእንቲ ኺፈልጥ፡ ኪፍትነካ ኢሉ ኸም ዘዋረደካ፡
ዘክር። 3 ሰብ ካብ ኣፍ እግዚኣብሄር ብዚወጽእ ኵሉ ነገር ደኣ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ከም ዘይነብር
ምእንቲ ኼፍልጠካ፡ ንሱ ኣዋረደካ፡ ኣጥመየካ፡ ንስኻ ዘይፈለጥካዮ ኣቦታትካውን ዘይፈለጥዎ ማና ኸኣ
ኣብልዓካ። 4 በዘን ኣርብዓ ዓምት ክዳንካ ኣባኻ ኣይበለየን፡ እግርኻውን ኣይሐበጠን። 5 ሰብ ንወዱ ኸም
ዚቕጽዕ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ ከምኡ ኸም ዝቐጽዓካ፡ ብልብኻ ፍለጥ። 6 እምበኣር ብመገዱ
ንምኻድን ንእኡ ንምፍራህን፡ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሐሉ። 7 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ናብ
ጽብቕቲ ምድሪ ኼእትወካ እዩ እሞ፡ ወሓዝቲ ማያት ኣብ ሸንጭሮታትን ኣብ ኣኽራንን ዚፍልፍሉ ዓይኒ
ማያትን ዔላታትን ዘለዋ፡ 8 ምድሪ ስርናይን ስገምን ወይንን በለስን ሮማንን፡ ምድሪ ናይ ዘይቲ ኣውልዕን
መዓርን፡ 9 እንጌራ ድኽነት ዘይትበልዓላ፡ ገለ እኳ ዘይጐድለካ ምድሪ፡ ኣእማና ሓጺን፡ ካብ ኣኽራና ድማ
ኣስራዚ እትኹዕተላ ምድሪ። 10 ክትበልዕን ክትጸግብን ኢኻ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸኣ፡ እታ ጽብቕቲ
ምድሪ ስለ ዝሀበካ፡ ክተመስግኖ ኢኻ። 11 ነዚ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዛቱን ፍርድታቱን ሕጋጋቱን፡
ብዘይ ምሕላውካ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸይትርስዮ፡ ንርእስኻ ተጠንቀቕ። 12 በሊዕካ ምስ ጸገብካን
ጽቡቓት ኣባይቲ ሰሪሕካ ምስ ተቐመጥካየንን፡ 13 ኣሓኻን ኣባጊዕካን ምስ ሰሰና፡ ብሩርን ወርቅን ከኣ ምስ
በዝሓልካ፡ ዘሎካ ዅሉ ድማ ምስ በዝሔ፡ 14 ሽዑ ልብኻ ከይዕበ እሞ ነቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ቤት
ባርነት ዘውጽኣካ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸይትርስዕ፡ 15 በቲ ዚነዱ ኣትማንን ዕንቅርቢታትን ዘለውዎ፡
ማይ ብዜብሉ ኣጻምእ ገፊሕን ዜፍርህን በረኻ ዝመርሓካ፡ ካብ ጽኑዕ ከውሒ ማይ ዘውጽኣልካ፡ 16 ኣብ
በረኻ፡ ኣቦታትካ ዘይፈለጥዎ ማና ዘብልዓካ፡ እዚ ኸኣ ምእንቲ ኼዋርደካን ኪፍትነካን ኣብ
መወዳእታውን ኬጸብቐልካ ኢሉ እዩ። 17 ብልብኻ፡ ሓይለይን ጽንዓት ኢደይን እዚ ዅሉ ሃብቲ
ደለበለይ፡ ከይትብል እዩ። 18 ከምዚ ናይ ሎሚ ነቲ ነቦታትካ ዝመሓለሎም ኪዳን ኬቕውም፡ ሃብቲ
ኽትድልብ ሓይሊ ዚህበካስ፡ ንሱ እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዘክር። 19 ኪኸውን ድማ እዩ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላክካ እንተ ረሳዕካ፡ ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ እንተ ሰዐብካን እንተ
ኣምለኽካዮምን፡ እንተ ሰገድካሎምን ከኣ፡ ብርግጽ ከም እትጠፍኡ፡ ሎሚ እምስክረልኩም ኣሎኹ። 20
ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ስለ ዘይሰማዕኩም፡ ከምቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሜኹም ዘጥፍኦም
ህዝብታት፡ ከምኡ ኽትጠፍኡ ኢኹም።

## ምዕራፍ 9

1-2 ዎ እስራኤል፡ ስማዕ፡ ሎሚ ንስኻ ንዮርዳኖስ ክትሳገሮ ኢኻ እሞ ካባኻ ዚዐብዩን ዚሕይሉን
ህዝብታት፡ ክሳዕ ሰማይ ዚበጽሓ እተዐርዳ ዓበይቲ ኸተማታት፡ ዓብይን ነዊሕን ህዝቢ፡ ደቂ ዓናቅ፡
ንስኻ እትፈልጦም፡ ብዛዕባኦም ድማ፡ ኣብ ቅድሚ ደቂ ዓናቅ መን ደው ኪብል ይኽእል፤ ኪበሀል
ዝሰማዕካ፡ ክትወርሶም ክትኣቱ ኢኻ። 3 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ንሱ ኸም ዚባላዕ ሓዊ ቐቅድሜኻ ኸም
ዚሓልፍ ከኣ፡ ሎሚ ፍለጥ። ንሱ ኼጥፍኦም እዩ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ቅድሜኻ ኼዋርዶም እዩ፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር እተዛረበካ፡ ከተውጽኦም፡ ቀልጢፍካ ድማ ከተጽንቶም ኢኻ። 4 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ኻብ ቅድሜኻ ምስ ሰጐጎም ድማ፡ ብልብኻ፡ ጻድቕ ብምዃነይ እግዚኣብሄር ነዛ ምድሪ እዚኣ ኽወርሳ
ኣእትወኒ፡ ኣይትበል። ነዞም ህዝብታት እዚኣቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሜኻ ዚሰጎም ዘሎስ ሕሱማት

ብምዃኖም ደኣ እዩ። 5 ብጽድቕኻን ብቕንዕና ልብኻን ኣይኰንካን ንስኻ ንምድሮም እትኣትዋን
እትወርሳን ዘሎኻ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ነዞም ህዝብታት እዚኦም ካብ ቅድሜኻ ዚሰጎም ዘሎ፡ በቲ
ሕሱም ዝገበርዎ፡ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ነቦታትካ፡ ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን፡ ዝመሐለሎም ነገር
ምእንቲ ኬቕውም ደኣ እዩ። 6 ተሪር ክሳድ ህዝቢ ኢኻ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ነዛ ጽብቕቲ ምድሪ
እዚኣ ስለ ጽድቕኻ ርስቲ ገይሩ ኸም ዘይሀበካ፡ ፍለጥ። 7 ዘክር፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ በረኻ
ኸመይ ከም ዘኹሬኻዮ፡ ኣይትረስዕ። ካብታ ኻብ ሃገር ግብጺ ዝወጻእካላ መዓልቲ ጀሚርካ፡ ናብዛ
ስፍራ እዚኣ ኽሳዕ እትመጹ፡ ንእግዚኣብሄር ዐሎኹምዎ። 8 ኣብ ሆሬብ ድማ ንእግዚኣብሄር
ኣኹሬኹምዎ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ተናዲዱኩም ኬጥፍኣኩም ደለየ። 9 ነተን ጽላት እምኒ፡ ናይቲ
እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ዝኣተዎ ኺዳን፡ እቲ ጽላት ክቕበል ናብቲ ኸረን ምስ ደየብኩ፡ ኣብቲ ኸረን
እንጌራ ኸይበላዕኩ ማይ ከይሰቴኹ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ተቐመጥኩ። 10 እግዚኣብሄር
ድማ፡ በጻብዕ ኣምላኽ እተጻሕፉ ኽልተ ጽላት እምኒ ሀበኒ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ ኣኼባ
ኣብቲ ኸረን ካብ ማእከል ሓዊ ምሳኻትኩም እተዛረቦ ዅሉ ቓላት ከኣ ኣብኤን ተጽሒፉ ነበረ። 11 ኰነ
ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ እተን ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን እግዚኣብሄር እተን ክልተ ጽላት እምኒ፡
ጽላት ኪዳን፡ ሀበኒ። 12 እግዚኣብሄር ድማ፡ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእካዮ ህዝብኻ ንርእሱ
ኣባላሸዩ፡ ካብቲ ዝኣዘዝክዎም መገዲ ቐልጢፎም ኣግሊሶም፡ ዝፈሰሰ ምስሊ ገይሮም እዮም እሞ፡
ተንስእ፡ ቀልጢፍካ ውረድ፡ በለኒ። 13 እግዚኣብሄር ከኣ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ርእየዮ ኣሎኹ፡ እንሆ፡ ንሱ
ተሪር ክሳድ ህዝቢ እዩ። 14 ከጥፍኦም፡ ስሞምውን ካብ ትሕቲ ሰማይ ክድምስስ ሕደገኒ፡ ንኣኻ ድማ
ካባታቶም ዚሕይልን ዚበዝሕን ህዝቢ ኽገብረካ እየ፡ ኢሉ በለኒ። 15 ተመሊሰ ኸኣ ካብቲ ኸረን ወረድኩ፡
እቲ ኸረን ድማ ብሓዊ ይነድድ ነበረ፡ እተን ክልተ ጽላት ኪዳን ከኣ ኣብ ክልቲኤን ኢደይ ነበራ። 16
ጠመትኩ ድማ፡ እንሆ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም በደልኩም፡ ንኣኻትኩም ዝፈሰሰ ምራኽ ገበርኩም፡
ካብቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኩም መገዲ ቐልጢፍኩም ኣግለስኩም። 17 እተን ክልተ ጽላት ሐዝኩ፡ ካብ
ክልቲኤን ኢደይ ደርብየ፡ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኹም ሰበርክወን። 18-19 በቲ እግዚኣብሄር ብኣኻትኩም
ነዲሩ ኰርይዎ ዝነበረ ዅራ ኸየጥፍኣኩም ፈራህኩ እሞ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ
ዝኾነ ምእንቲ ኽተኹርይዎ ዝገበርኩምዎ ዅሉ ሓጢኣት፡ ከምቲ ቐዳማይ፡ እንጌራ ኸይበላዕኩ ማይ
ከይሰቴኹ፡ ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተደፋእኩ። በታ ጊዜ እቲኣውን
እግዚኣብሄር ሰምዓኒ። 20 ንኣሮን ድማ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ተቘጥዖ፡ ኬጥፍኦውን ደለየ። በታ ጊዜ እቲኣ
ድማ ምእንቲ ኣሮን ለመንኩ። 21 ነቲ ዝገበርኩምዎ ሓጢኣትኩም፡ ነቲ ምራኽ ወሲደ ብሓዊ ኣንደድክዎ፡
ቀጥቂጠ ኸም ተጐጓ ኽሳዕ ዚኸውን፡ ኣድኪመ ጠሐንክዎ፡ ነቲ ተጐጓ ኸኣ ናብቲ ኻብቲ ኸረን ዚወርድ
ርባ ደርቤኽዎ። 22 ኣብ ታብዔራን ኣብ ማሳን ኣብ ቂብሮትሂታኣባ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣኹሬኹምዎ። 23
እግዚኣብሄር ድማ፡ ደይቡ እሞ ነታ ዝሀበኩም ምድሪ ውረስዋ፡ ኢሉ ኻብ ቃዴስባርኔዓ ምስ
ለኣኸኩም፡ ሽዑ ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዐሎኹምዎ ኣይኣመንኩምዎን ቃሉውን
ኣይሰማዕኩምን። 24 ካብታ ዝፈለጥኩኹም መዓልቲ ንነጀው ንእግዚኣብሄር ዓለውቲ ኢኹም
ዝነበርኩም። 25 እግዚኣብሄር፡ ከጥፍኦም እየ፡ ኢሉ ስለ ዝነበረ፡ በተን ተደፊኤለን ዝነበርኩ ኣርብዓ
መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተደፋእኩ። 26 ንእግዚኣብሄር ድማ ለመንክዎ፡
በልኩውን፡ ኣታ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ነቲ ብዕቤትካ ዘድሐንካዮ፡ ብሓያል ኢድካውን ካብ ግብጺ
ዘውጻእካዮ ህዝብኻን ርስትኻን ኣይተጥፍእ። 27 ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ባሮትካ ዘክር። ናብ ናይ እዚ
ህዝቢ እዚ ህልኸን ምሕሳምን ሓጢኣትን ኣይትጠምት። 28 እታ ኻብኣ ዘውጻእካና ሃገር፡ እግዚኣብሄር

ናብታ ዘተስፈዎም ሃገር ኬእትዎም ስለ ዘይከኣለን ስለ ዝጸልኦምን፡ ምእንቲ ኣብ በረኻ ኺቕትሎም
ኣውጽኦም፡ ከይትብል፡ 29 እዚኣቶምሲ ብዓብዪ ሓይልኻን ብዝርግሕቲ ቕልጽምካን ዘውጻእካዮም
ህዝብኻን ርስትኻን እዮም።

## ምዕራፍ 10

1 በታ ጊዜ እቲኣ እግዚኣብሄር በለኒ፡ ከምተን ቀዳሞት ዝበላ ኽልተ ጽላት እምኒ ጽረብ እሞ ናባይ ናብ
ከረን ደይብ፡ ካብ ዕጨይቲ ድማ ታቦት ግበር። 2 እቲ ኣብተን ዝሰበርካየን ቀዳሞት ጽላት ዝነበረ ቓላት
ከኣ ኣብዘን ጽላት እዚኤን ክጽሕፎ እየ፡ ናብቲ ታቦት ድማ ከተንብረን ኢኻ። 3 ካብ ዕጨይቲ ሽጢም ከኣ
ታቦት ገበርኩ፡ ከምተን ቀዳሞት ዝበላ ኽልተ ጽላት እምኒውን ጸረብኩ፡ ንኽልቲኤን ጽላት ኣብ ኢደይ
ሒዘ ኸኣ ናብቲ ከረን ደየብኩ። 4 እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ ኣኼባ ኣብቲ ኸረን ካብ ማእከል ሓዊ
ነጊረኩም ዝነበረ፡ ከምቲ ቕዳማይ ዝበለ ጽሕፈት ዓሰርተ ቓላት ኣብተን ጽላት ጸሓፈን። እግዚኣብሄር
ድማ ንኣይ ሀበኒ። 5 ተመሊሰ ኸኣ ካብቲ ኸረን ወረድኩ፡ ነተን ጽላት ድማ ኣብቲ ዝገበርክዎ ታቦታ
ኣንበርክወን። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኒ ኸኣ ኣብኡ ተነብራ። 6 ደቂ እስራኤል ድማ፡ ካብ
ብኤሮትብኔያዕቃን ናብ ሞሴራ ተጓዕዙ። ኣሮን ኣብኡ ሞተ። ኣብኡውን ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ
ኣልኣዛር ካህን ኰነ። 7 ካብኡ ድማ ንጉድጎዳ፡ ካብ ጉድጎዳውን ንዮጥባታ፡ ምድሪ ወሓዝቲ ማያት፡
ተጓዕዙ። 8 በታ ጊዜ እቲኣ እግዚኣብሄር ንነገድ ሌዊ፡ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ኪጾውር፡ ኣብ ቅድሚ
ገጽ እግዚኣብሄር ኪቐውም፡ ንእኡ ኬገልግል፡ ክሳዕ ሎሚ ድማ ብስሙ ኺምርቕ፡ ፈለዮ። 9 ስለዚ ንሌዊ
ምስ ኣሕዋቱ ግደ ወይ ርስቲ የብሉን። ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እተዛረቦ፡ ርስቱስ እግዚኣብሄር
እዩ። 10 ኣነ ድማ ኣብቲ ኸረን ከምተን ቀዳሞት መዓልትታት ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ቈምኩ።
በዛ ጊዜ እዚኣ ድማ እግዚኣብሄር ሰምዓኒ፡ እግዚኣብሄር ኬጥፍኣካ ኣይፈተወን። 11 እግዚኣብሄር ከኣ፡
ናብታ ታቦታቶም ክህቦም ዝመሓልኩሎም ምድሪ ኺኣትዉን ኪወርስዋንሲ፡ ተንስእ፡ ኪድ ቀቅድሚ
እቲ ህዝቢ ተጐዐዝ፡ በለኒ። 12-13 ዎ እስራኤል፡ ሕጂኸ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትፈርሆ፡ ብኹሉ
መገዱ ኽትመላለስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ ከተፍቅሮ፡ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን
ከተገልግሎ፡ ምእንቲ ኺጽብቐልካ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ናብ እግዚኣብሄር ትእዛዛትን
ሕጋጋቱን ክትሕሉ እንተ ዘይኰይኑስ፡ እግዚኣብሄር ካባኻ ዚደልዮ እንታይ እዩ፧ 14 እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ፡ እንሆ፡ ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን ምድርን ኣብኣ ዘሎ ኹሉን ናቱ እዩ። 15 ድላዩ ነቦታትካ
ጥራይ ነበረ እሞ፡ ፈተዎም፡ ብድሕሪኦም ድማ፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ንኣኻትኩም ንዘርኦም ካብ ማእከል
ኵሎም ህዝብታት ሐረየኩም። 16 እምበኣርሲ ንስኻትኩም ዕልቦ ልብኹም ግዘሩ፡ ክሳድኩምውን ደጊም
ኣይተትርሩ። 17 እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ንሱ ኣምላኽ ኣማልኽቲ፡ ጐይታ ጐይተት፡ እቲ ዓብዪ፡ እቲ
ሓያል፡ እቲ ዜፍርህ ኣምላኽ፡ ገጽ ርእዩ ዘየዳሉ፡ መማለዲ ኸኣ ዘይቅበል እዩ። 18 ንሱ ንዘኽታማትን
መበለታትን ፍትሒ የውጽእ፡ ንስደተኛውን ይፈቱ፡ እንጌራን ክዳንን ከኣ ይህቦ። 19 ንስኻትኩም ድማ
ኣብ ምድሪ ግብጺ ስደተኛታት ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ስደተኛ ፍተዉ። 20 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ፍርሃዮ፡ ንእኡ ኣምልኾ፡ ናብኡ ኸኣ ተጸጋዕ፡ ብስሙውን ምሓል። 21 ንሱ ውዳሴኻ እዩ፡ እቲ ብዓይንኻ
ዝርኤኻዮ ዓብይን ዜፍርህን ነገር ዝገበረልካ ኣምላኽካ ድማ ንሱ እዩ። 22 ኣቦታትካ ሰብዓ ነፍሲ ኸለዉ፡
ናብ ግብጺ ወረዱ፡ ሕጂ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምብዛሕካ ኸም ከዋኽብቲ ሰማይ ገበረካ።

# ምዕራፍ 11

1 ደጊም ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣፍቅሮ፡ እቲ ሐልዎ ዝበለካ ሕጋጋቱን ፍርድታቱን ትእዛዛቱን ወርትግ
ሐሉ። 2 ነቶም መግናሕቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዘይፈለጡን ዘይረአዩን ደቅኹም ኣይኰንኩን
ዝዛረብ ዘሎኹ እሞ፡ ነቲ ዕቤቱን ሓያል ኢዱን ዝርግሕቲ ቕልጽሙን ሎሚ ፍለጡ። 3 እቲ ኣብ ማእከል
ግብጺ ኣብ ፈርኦን ንጉስ ግብጽን ኣብ ብዘላ ሃገሩን ዝገበሮ ትእምርትታቱን ግብርታቱን፡ 4 ኣብ ሰራዊት
ግብጽን ኣብ ኣፍራሶምን ሰረገላታቶምን ዝገበሮ ድማ፡ እቲ ኺሰጕኹም ከለዉ፡ እቲ ማይ ባሕሪ ኤርትራ
ናብ ልዕሊኦም ከም ዝደፈኖም፡ ክሳዕ ሎሚ ድማ ከም ዘጥፍኦም፡ 5 ንኣኻትኩም ከኣ ናብዛ ቦታ እዚኣ
ኽሳዕ እትበጽሑ፡ እቲ ኣብ በረኻ ዝገበሮ፡ 6 ኣብ ዳታንን ኣቢራምን፡ ደቂ ኤልያብ ወዲ ሮቤል፡ ዝገበሮ
ድማ፡ ምስ ስድራ ቤቶምን ድንኳውንቶምን ምስ ኵሉ ዚስዕቦም ዝነበረ ህያውን፡ ኣብ ማእከል ኵሉ
እስራኤል እታ ምድሪ ኣፋ ኸፊታ ኸም ዝወሐጠቶም፡ ሎሚ ፍለጡ። 7 ከመይሲ እቲ እግዚኣብሄር
ዝገበሮ ኾሉ ዓበይቲ ግብርታት በዒንትኹም ርኢኹም። 8-9 ስለዚ ምእንቲ ኽትሕይሉን ናብታ
ኽትርስተይዋ እትሳገርዋ ዘሎኹም ምድሪ ኽትኣትውዋን፡ ኣብታ ጸባን መዓርት እተውሕዝ ምድሪ፡ እታ
እግዚኣብሄር ነቦታትኩምን ንዘርኦምን ኪህቦም ዝመሓለሎም ምድሪ መዓልትታትኩም ኪነውሕ፡ እዚ
ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ኾሉ ትእዛዝ ሓልዉ። 10 እታ ኽትወርሳ እትኣትዋ ምድሪ ከምታ ኻብኣ
ዝወጻእኩምላ ምድሪ ግብጺ ነቲ ኣብኣ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ኸም ኣታኽልቲ ሓምሊ ብእግርኻ እተስትዮ
ኣይኰነትን። 11 እታ ኽትወርስዋ እትሳገርዋ ዘሎኹም ምድርስ፡ ካብ ሰማይ ዝዘነመ ማይ እትሰቲ ምድሪ
ኣኽራንን ለሴታትን እያ፡ 12 ንሳስ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚከናኸና ሃገር፡ ካብ መጀመርታ ዓመት ክሳዕ
መወዳእታ ዓመት ከኣ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ወርትግ ኣብኣ እየን። 13 ኪኸውን ድማ እዩ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከተፍቅርዎ፡ ብኹሉ ልብኹምን ብኹሉ ነፍስኹምን ድማ ከተገልግልዎ፡
ነዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ትእዛዛት ኣጸቢቕኩም እንተ ትሰምዕዎ፡ 14 ስርናይካን ወይንኻን
ዘይትኻን ምእንቲ ኽትእከብ፡ ዝናም ምድርኹም በብጊዜኡ፡ ዝናም ጽድያን ጽብሓትን ክህበኩም እየ። 15
ኣብ ግራሁኻ ድማ ንማልካ ሳዕሪ ኽህበን እየ፡ ክትበልዕን ክትጸግብን ኢኻ። 16-17 ሽዑ ልብኹም
ከይስሕት፡ ኣግሊስኩም ድማ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸይተምልኹን ከይትሰግዱሎምን፡ ኵራ እግዚኣብሄር
ከኣ ኣባኻትኩም ከይነድድ፡ ንሰማይ ከየዝንም ከይዐጽዎ እሞ ምድሪ ፍሬኣ ኸይትኽልእ፡ ንስኻትኩም
ድማ ካብታ እግዚኣብሄር ዚህበኩም ጽብቕቲ ምድሪ ቐልጢፍኩም ከይትጠፍኡስ፡ ንርእስኹም
ተጠንቀቑ። 18 እምበኣር ነዚ ቓላተይ እዚ ኣብ ልብኹምን ኣብ ነፍስኹምን ኣንብርዎ፡ ንምልክት ከኣ ኣብ
ኣእዳውኩም እሰርዎ፡ ኣብ መንጎ ኣዒንትኹም ድማ ክታብ ይኹን። 19 ኣብ ቤትካ ኾፍ ምስ በልካን ኣብ
መገዲ ኽትከይድ ከሎኻን ኣብ በጥ ምባልካን፡ ኣብ ምትንሳእካን ብእኡ እናተዛረብኩም፡ ንደቅኹም
ምህርዎም። 20 ኣብ ልዳት ቤትካን ኣብ ማዕጾኻን ከኣ ጽሐፎ። 21 እዚ ድማ ኣብታ እግዚኣብሄር
ነቦታትኩም ኪህቦም ዝመሓለሎም ምድሪ መዓልትታትኩምን መዓልትታት ደቅኹምን ከም መዓልትታት
ሰማይ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ምእንቲ ኺበዝሓ እዩ። 22 እዚ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ኾሉ ትእዛዛት
ክትገብርዎ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከኣ ከተፍቅሩ፡ ብኹለን መገድታቱ ኽትከዱን ናብኡ ኽኣ
ክትለግቡን፡ ተጠንቂቕኩም እንተ ሓሎኹምዎ፡ 23 ሽዑ እግዚኣብሄር ነዞም ህዝብታት እዚኣቶም ኵሎም
ካብ ቅድሜኹም ኪሰጎም እዩ፡ ንስኻትኩምውን ካባኻትኩም ንዚዐብዩን ንዚሕይሉን ህዝብታት
ክትወርሱ ኢኹም። 24 እግርኹም ዝረገጸ ዘበለት ቦታ ናትኩም ክትከውን እያ፡ ዶብኩም ካብ በረኻ ክሳዕ
ሊባኖስ፡ ካብቲ ርባ፡ ርባ ኤፍራጥስ፡ ክሳዕ ባሕሪ ምዕራብ ኪኸውን እዩ። 25 ከምቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ዝበለኩም፡ ናብ እትኸድዋ ዘበለት ምድሪ ፍርሃትኩምን ስምባድኩምን ኪሰድድ እዩ እሞ፡

ሓደ ሰብ እኳ ኣብ ቅድሜኹም ደው ዚብል የልቦን። [26] እንሆ፡ ሎሚ ምርቓን መርገምን ኣብ
ቅድሜኹም ኤንብር ኣሎኹ፡ [27] እቲ ምርቓ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም እንተ ሰማዕኩም እዩ። [28] እቲ መርገም ድማ፡ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እንተ
ዘይሰማዕኩም፡ ካብዛ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ መገዲ እንተ ዘበልኩም፡ ደድሕሪ ዘይትፈልጥዎም
ካልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ እንተ ሰዐብኩም እዩ። [29] ኪኸውን ድማ እዩ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ናብታ
ኽትወርሳ እትኸዳ ዘሎኻ ምድሪ ምስ ኣእተወካ፡ ነቲ ምርቓ ኣብ ከረን ጌሪዞም፡ ነቲ መርገም ከኣ ኣብ
ከረን ዔባል ኳንካ ንገር። [30] ንሱ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ብኸንየው እታ ብምዕራብ ጸሓይ ዘላ መገዲ፡ ኣብ
ምድሪ እቶም ኣብ መንጽር ጊልጋል ዘሎ ጒልጒል፡ ኣብ ጥቓ ድዋታት ሞሬ ዚነብሩ ከነኣናውያንዶ
ኣይኰነን፧ [31] ነታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዚህበኩም ምድሪ ክትወርሱ፡ ዮርዳኖስ ሰጊርኩም
ክትኣትውዋ ኢኹም እሞ፡ ክትወርስዋን ክትነብርዋን ኢኹም። [32] እዚ ኣነ ሎሚ ኣብ ቅድሜኹም
ዘንብሮ ዘሎኹ ኲሉ ሕጋጋትን ፍርድታትን ክትገብርዎ ሐልዉ።

# ምዕራፍ 12

[1] ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትካ ክትወርሳ ዚህበካ ምድሪ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ብህይወት
እትነብሩለን ኲለን መዓልትታት ኽትገብርዎ እትሕልውዎ ትእዛዛትን ፍርድታትን እዚ እዩ። [2] እቶም
እትወርስዎም ህዝብታት፡ ኣብ ነዋሕቲ ኣኽራንን ኣብ ኲርባታትን ኣብ ትሕቲ ዅሉ ልምሉም ኦምን
ንኣማልኽቶም ዜገልግሉለን ዝነበሩ ቦታታት ፈጺምኩም ኣጥፍእወን። [3] መሰውኢታቶም ኣፍርሱ፡
ሐወልትታቶም ድማ ሰባብሩ፡ ጣኦታቶም ከኣ ብሓዊ ኣንድዱ፡ እተወቕረ ምስሊ ኣማልኽቶምውን
ኣውድቑ፡ ስሞም ድማ ካብቲ ቦታ እቲ ኣጥፉኡ። [4] ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከምኡ ኣይትግበሩ፡ [5]
ግናኸ ነታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ካብ ኲሎም ነገዳትኩም ስሙ ኺንብረላ ዝሐረያ ቦታ፡ ነዛ ማሕደሩ
ድለዩ፡ ናብኣውን ምጻእ። [6] ዚሐርር መስዋእትኹምን መስዋእቲ ሕሩድኩምን ዕሽርኩምን ዚለዐል
መስዋእትታት ኣእዳውኩምን ናይ መብጽዓኹም ናይ ፍቓድ መባእኩምን በዅሪ ኣሓኹምን ኣባጊዕኩምን
ናብኣ ኣምጽኡ። [7] ኣብኣ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ብልዑ፡ በቲ ኣእዳውኩም
ዝዘርጋሕኩምሉ ዘበለ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዝባረኸልኩም ንስኻትኩምን ቤተ ሰብኩምን
ተሐጐሱ። [8-9] ክሳዕ ሕጂ ናብ ዕረፍትን ናብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዚህበኩም ርስትን
ኣይኣቶኹምን እሞ፡ ከምዚ ሎሚ ኣብዚ እንገብሮ ዘሎና፡ ነፍሲ ወከፍ ከምቲ ቕኑዕ መሲሉ እተራእዮ፡
ኣይትግበሩ። [10] ዮርዳኖስ ተሳጊርኩም ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ንርስቲ ዚህበኩም ምድሪ ምስ
ተቐመጥኩም ግና ምእንቲ ብህድኣት ክትነብሩ፡ ካብቶም ኣብ ዙርያኹም ዘለዉ ጸላእትኹም ምስ
ኣዕረፈኩም፡ [11] ሽዑ ድማ ኪኸውን እዩ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ንማሕደር ስሙ ዝሐረያ ቦታ፡
እዚ ዅሉ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ናብኣ ኣምጽኡ፡ ዚሐርር መስዋእትኹምን መስዋእቲ ሕሩድኩምን
ዕሽርኩምን ዚለዐል መስዋእትታት ኣእዳውኩምን፡ እቲ ንእግዚኣብሄር እተማባጻዕኩምዎ ሕሩይ
መብጽዓኹምውን። [12] ንስኻትኩምን ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን፡ ተባዕትዮ ግዙኣትኩምን ኣንስትዮ
ግዙኣትኩምን ኣብ ውሽጢ ደጌታትኩም ዘሎ ሌዋዊ ኸኣ፡ ንሱ ምሳኻትኩም ክፍልን ርስትን የብሉን
እሞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ተሐጐሱ። [13] ዚሐርር መስዋእትኻ ኣብ ኲሉ ዝርኤኻዮ ቦታ
ኸይተዕርግ፡ ንርእስካ ተጠንቀቕ። [14] ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣብ ሓደ ኻብ ነገዳትካ ዝሐረያ ቦታ ደኣ፡ ኣብኣ
ዚሐርር መስዋእትኻ ኣዕርግ፡ እዚ ኣነ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ዅሉ ኸኣ ኣብኣ ግበሮ። [15] ከምቲ እግዚኣብሄር

ኣምላኽካ ዝሀበካ በረኸት ከም ድሌት ነፍስኻ ኣብ ኵለን ደጌታትካ ሐሪድካ፡ ስጋ ብላዕ፡ ከም ሰስሓን
ከም እራብን፡ ዘይንጹህን ንጹህን ይብልዓዮ። 16 ደም ግና ኸም ማይ ናብ ምድሪ ኣፍስሶ እምበር፡
ኣይትብልዑ። 17 ዕሽር ስርናይካን ወይንኻን ዘይትካን በዅሪ ኣሓካን ኣባጊዕካን እተማባጻዕካዮ
መብጽዓኻን ናይ ፍቓድ ህያብካን ዚለዐል መስዋእቲ ኢድካን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ኸይትበልዖ
ተጠንቀቕ። 18 ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእካን ግዝእትኻ ናብ ውሽጢ ደታትካ ዚነብር ሌዋውን ኣብታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሐረያ ቦታ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ደኣ ብልዓዮ። በቲ ኢድካ
ዝዘርጋሕካሉ ዘበለ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተሐጐስ። 19 ኣብ ልዕሊ ምድሪ እትነብረሉ
ዅሉ ዘበንካ ንሌዋዊ ኸይትሐድጎ ንርእስኻ ተጠንቀቕ። 20 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ከምቲ ዝበለካ፡
ዶባትካ ምስ ኣግፍሔ፡ ነፍስኻውን ስጋ ኽትበልዕ ስለ ዝበሀገት፡ ስጋ ደኣ ኽበልዕ፡ እንተ በልካ፡ ከም
ኵሉ ባህጊ ነፍስኻ ጌርካ ስጋ ብላዕ። 21 እታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስሙ ኼንብረላ ዝሐረያ ቦታ እንተ
ረሓቐትካ፡ ካብቲ እግዚኣብሄር ዚህበካ፡ ካብ ኣሓኻን ካብ ኣባጊዕካን፡ ሐሪድካ፡ ከምቲ ዝኣዘዝኩኻ ኣብ
ውሽጢ ደጌታትካ ኸም ኵሉ ባህጊ ነፍስኻ ብላዕ። 22 ሰስሓን እራብን ከም ዚብልዓ ብልዓዮ፡ ርኹስን
ንጹህን ከም ሓደ ይብልዕዎ። 23 ደም ከይትበልዕ ጥራይ ጽናዕ፡ እቲ ደም ነፍሲ እዩ እሞ፡ ነፍሲ ምስ ስጋ
ኣይትብላዕ። 24 ከም ማይ ደኣ ናብ ምድሪ ኣፍስሶ እምበር፡ ኣይትብልዓዮ። 25 ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር
ቅኑዕ ምስ ገበርካ፡ ንኣኻ፡ ብድሕሬኻ ከኣ ንደቅካ፡ ምእንቲ ኺጽብቐልካ፡ ኣይትብልዓዮ። 26 ሓንትስ እቲ
ዘሎካ ቅዱስ ነገርን መብጽዓኻን ሒዝካ ናብታ እግዚኣብሄር ዝሐረያ ቦታ ኺድ። 27 ነቲ ዚሐርር
መስዋእትኻ፡ ስጋኡን ደሙን፡ ኣብ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሰውኣዮ፡ እቲ ደም መስዋእቲ
ሕሩድካ ድማ ኣብ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ይፍሰስ፡ ነቲ ስጋ ኸኣ ብልዓዮ። 28 ኣብ ዓይኒ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ጽቡቕን ቅኑዕን ምስ ገበርካ፡ ንኣኻ ብድሕሬኻ ድማ ንደቅኻ፡ ንዘለኣለም ምእንቲ
ኺጽብቐልካ፡ እዚ ኣነ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ዅሉ ነገር ሐልዎን ስምዓዮን። 29 ነዞም ክትወርሶም እትኸዶም
ዘሎኻ ህዝብታት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ቅድሜካ ምስ ኣጥፍኦም፡ ንስኻ ኸኣ ንኣታቶም ወሪስካ
ኣብ ምድሮም ምስ ተቐመጥካ፡ 30 ካብ ቅድሜካ ምስ ጠፍኡ፡ ደድሕሪኦም ብምስዓብካ ኸይትሕንኰል፡
ብዛዕባ ኣማልኽቶም ከኣ፡ እዞም ህዝብታት እዚኣቶም ከመይ ገይሮም ኣማልኽቶም የገልግሉ ነበሩ፤ ኣነ
ድማ ከምኡ ኽገብር፡ ኢልካ ኸይትሐትት ተጠንቀቕ። 31 ንኣማልኽቶም እቲ እግዚኣብሄር ዚጸልኦ ዘበለ
ዅሉ ፍንፉን ነገር ይገብሩሎም ነበሩ፡ ንኣማልኽቶምሲ ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን እኳ ብሓዊ የንድዱሎም
ነይሮም እዮም እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸምኡ ኣይትግበረሉ። 32 እዚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ዅሉ
ነገር ክትገብርዎ ተጠንቀቑ። ኣብ ልዕሊኡ ገለ ኣይትወስኹ፡ ካብኡ ኸኣ ገለ ኣይትተንክዮ።

## ምዕራፍ 13

1 ኣብ ማእከል ነብዪ ወይ ሓላም ሕልምታት እንተ ተንስኡ እሞ ምልክት ወይስ ተኣምራት እንተ ሃበካ፡
2 እቲ ምልክት ወይ ተኣምራት ከኣ ከምቲ ዝበለካ እንተ ኾነ፡ ደድሕሪ ዘይትፈልጦም ካልኦት ኣማልኽቲ
ንኺድ እሞ ነገልግሎም፡ እንተ በለካ፡ 3 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ብዅሉ ልብኹምን ብዅሉ
ነፍስኹምን እንተፍቅርዎ እንተ ዄንኩም ምእንቲ ኺፈልጥ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኪፍትነኩም እዩ
እሞ ነቲ ነብዪ እቲ ወይ ነቲ ሓላም ሕልምታት እቲ ቓሉ ኣይትስማዕ። 4 ደድሕሪ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ስዐቡ፡ ብእኡ ድማ ፍርሁ፡ ትእዛዛቱውን ሐልዉ፡ ቃሉ ድማ ስምዑ፡ ንእኡ ኸኣ ኣገልግሉ
ምስኡውን ልገቡ። 5 ካብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትከዳ ዝኣዘዘካ መገዲ ኼግልሰካ፡ ካብቲ ኻብ

ምድሪ ግብጺ ዘውጽኣኩም፡ ካብ ቤት ባርነት ድማ ዘድሐነኩም እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኬዕልወኩም
ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ እቲ ነብዪ እቲ ወይ እቲ ሓላም ሕልምታት እቲ ይሙት። በዚ ኸምዚ ነቲ ኽፉእ ካብ
ማእከልካ ኣርሕቆ። 6 ሓውካ፡ ወዲ እኖኻ፡ ወይ ወድኻ ወይ ጓልካ ወይ ኣብ ሕቑፍኻ ዘላ ሰበይትኻ
ወይ ከም ነፍስኻ ዝኾነ ፈታዊኻ፡ ንኺድ ንኻልኣት ኣማልኽቲ ነምልኽ፡ ኢሉ ብሕቡእ እንተ ሐበለካ፡
ንስኻ ኾነ ኣቦታትካ ዘይትፈልጥዎም፡ 7 ካብ ኣማልኽቲ እቶም ካብ ወሰን ክሳዕ ወሰን ምድሪ፡ ኣብ
ጥቓኻ ኾነ ወይ ኣብ ርሑቕካ፡ ኣብ ዙርያኹም ዘለዉ ህዝብታት፡ 8 ሕራይ ኣይትበሎ፡ ኣይትስምዓዮ፡
ዓይንኻውን ኣይትራሕርሓሉ፡ ኣይትንሐፎ ኸኣ፡ ኣይትሕብኣዮውን። 9 ርግጽ ቅተሎ ደኣ፡ ንምቕታሉ
ኢድካ ትቕድም፡ ደሓር ኢድ ኩሉ ህዝቢ። 10-11 ካብቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ፡ ካብ ቤት ባርነት ዘውጽኣካ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኬግልሰካ ደልዩ እዩ እሞ፡ ኣብ ማእከልካ ኸምዚ ዝበለ ኽፉእ ከይድገምሲ፡
ኲሎም እስራኤል ሰሚዖም ኪፈርሁ፡ ኪመውት ብዳርባ እምኒ ቕተሎ። 12-13 ብዛዕባ ሓንቲ ኻብተን
ክትነብረለን እግዚኣብሄር ዚሀበካ ኸተማታት፡ ሕሱማት ሰባት ደቂ ቢልያል ካብ ማእከልካ ወጺኦም፡
ንዘይትፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲ ኽነምልኽ ንኺድ፡ ኢሎም፡ ንደቂ ዓዶም ኣስሓቱ፡ ኪብሉ እንተ
ሰማዕካ፡ 14 ሸው ድለ፡ መርምር ኣጸቢቕካ ኸኣ ጠይቕ፡ እንሆ ድማ፡ እዚ ፍንፉን ነገር እዚ ኣብ ማእከልካ
ኸም እተገብረ፡ ሓቅን ርግጽን እንተ ኾይኑ፡ 15 ኣብታ ኸተማ ንዚነብሩ ብስሕለት ሴፍ ኣበርቲዕካ
ውቓዕ፡ ንእኣን ኣብኣ ንዘሎ ኹሉን ፈጺምካ ኣጥፍእ፡ ንኽብታውን ብስሕለት ሴፍ ኣጥፍእ። 16 ካብኣ
እተዘምተ ዘበለ ኹሉ ኣብ ማእከል ኣደባባያ ኣከቦ፡ ነታ ኸተማን ንኹሉ ኻብኣ እተዘምተን ብመላኡ
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብሓዊ ኣንድድ። ንዘለኣለም ዑና ትኹን፡ መሊሳ ኸኣ ኣይትሰራሕ። 17-18
እግዚኣብሄር ካብ ንደት ኲራኡ ምእንቲ ኺምለስን ምሕረት ኪገብረልካን ኪድንግጸልካን፡ ከምቲ
ነቦታትካ ዝመሐለሎም ከኣ ኬብዝሓካስ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዛቱ ክትሕሉ፡ እቲ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ቕኑዕ ዝኾነ ድማ ክትገብር፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ
ሰሚዕካስ፡ ካብቲ ሕሩም ነገር ገለ እኳ ኣብ ኢድካ ኣይልገብ።

# ምዕራፍ 14

1 ንስኻትኩምሲ ደቂ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኢኹም። ብዛዕባ ምዉት፡ ኣካልኩም ኣይትብጥሑ፡ ኣብ
መንጎ ኣዒንትኹም ኣይትምለጡ። 2 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ እተቐደሰ ህዝቢ ኢኻ እሞ፡ እግዚኣብሄር
ድማ ንእኡ ፍሉይ ህዝቢ ኽትኮኖ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኻብ ዘለዉ ኹሎም ህዝብታት ንኣኻ ሐረየካ። 3
ፍንፉን ዘበለ ኣይትብላዕ። 4 እትበልዕዎም እንስሳ እዚኣቶም እዮም፡ ብዕራይን በጊዕን ጤልን፡ 5 እራብን
ሰስሓን ዓገዜንን ድንኩላን ዝዖታን ሜዳቍን ቶራን። 6 ጽፍሩ ስንጡቕ፡ ሸኾናኡ ኣብ ክልተ እተመቕለ፡
መጉስዕ ዚመልስ ኵሉ እንስሳ፡ እዞም እንስሳ እዚኣቶም ብልዑ። 7 መጉስዕ ካብ ዚመልሱ፡ ሸኾናኦም
ካብ እተመቕለ፡ እዚኣቶም ኣይትብልዑ፡ ገመልን ማንትለን ግሔን፡ እዚኣተን መጉስዕ ይመልሳ እየን፡
ሸኾናኤን ግና ኣይተመቕለን እሞ፡ ርኹሳት ይኹናኹም፡ 8 ሓሰማ፡ ንሳ ሸኾናኣ ምቑል እዩ፡ ግናኸ
ኣይተመጉስዕን እያ፡ ንሳ ንኣኻትኩም ርኽስቲ እያ። ካብ ስጋኤን ኣይትብልዑ፡ ገምበንውን ኣይትተንክፉ።
9 ኣብ ማይ ካብ ዘሎ ዅሉ እትበልዕዎ እዚ እዩ፡ ክንፍን ቕረፍትን ዘለዎ ዅሉ ብልዑ። 10 ክንፍን
ቕረፍትን ዜብሉ ግና ኣይትብልዑ፡ እዚ ርኹስ ይኹንኩም። 11 ንጹሃት ዘበላ ዅለን ኣዕዋፍ ብልዑ። 12
ካባታተን ከኣ ዘይትበልዕወን እዚኣተን እየን፡ ንስርን ገምብን ወሓጥ ዓሳን፡ 13 ሊላን በላዕ ልኻይን ጻዕዳ
ኽርሶ በብዓይነቱን፡ 14 ኵሉ ኳኽ ድማ በብዓይነቱ፡ 15 ሰገንን ጕጕትን ሮብራን ተገዳር ሓረስታይን

በብዓይነቱ፡ 16 ንእሽቶ ጉንጓን ዓባይ ጉንጓን ቀራን ጉንጓ ድማ፡ 17 ቀያሕ ሓሓትን ኣሞራን ሓሓትን፡ 18
ራዛን ሰብ ጸራድ በብዓይነቱን ተምበሃረጆን መንካዕን፡ 19 ክንፊ ዘልዎ ኹሉ ለመምታ ኸኣ ርኹስ
ይኹንኩም፡ ኣይትብልዕዎ። 20 ንጹሃት ዘበላ ኹለን ኣዕዋፍ ብልዑ። 21 ንስኻስ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ቅዱስ ህዝቢ ኢኻ እሞ፡ ገለ ሕሉቕ ኣይትብልዑ፡ ኣብ ውሽጢ ደጌኻ ንዘሎ ስደተኛ ሀቦ፡ ንሱ ይብልዓዮ
ወይ ናብ ጓና ሽጦ። ንማሕስእ ብጸባ ኣዲኡ ኣይተብስሎ። 22 ካብቲ በብዓመት ካብ ግራትካ ዝወጸ ኹሉ
እቶት ዘርእኻ ዕሽር ኣውጽእ። 23 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምፍራህ ወርትግ ምእንቲ ኽትምሃርሲ፡ ነቲ
ዕሽር ስርናካን ወይንኻን ዘይትኻን በዂሪ ኣሓኻን ኣባጊዕካን ኣብታ ንማሕደር ስሙ ዝሐረያ ቦታ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብልዓዮ። 24 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምስ ዚባርኸካ፡ እታ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ስሙ ኼንብረላ ዝሐረያ ቦታ እንተ ረሐቐትካ እሞ መገዲ ስለ ዝነውሓካ፡ ናብኣ ኽተምጽኦ
እንተ ዘይተኻእለካ፡ 25 ንገንዘብ ሽጦ፡ እቲ ገንዘብ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ኸኣ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ዝሐረያ ቦታ ኺድ። 26 በቲ ገንዘብ እቲ ነፍስኻ ዝፈተወቶ፡ ላምን በጊዕን ወይንን ዜስክር መስተን ወይ
ነፍስካ ዝደለየቶ ኹሉ ትዕድግ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ ኣብኡ ትበልዖ፡ ንስኻን ስድራ
ቤትካን ከኣ ትሕጐሱ። 27 ነቲ ኣብ ውሽጢ ደጌኻ ዘሎ ሌዋዊ ድማ፡ ምሳኻ ግደን ርስትን የብሉን እሞ፡
ኣይትሕደጎ። 28 ኣብ መወዳእታ ሰሳልሰይቲ ዓመት ካብ ኵሉ ናይ እታ ዓመት እቲኣ እቶትካ ዕሽር
ኣውጺእካ፡ ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ኣክቦ። 29 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ እትገብሮ ግብሪ ኢድካ
ምእንቲ ኺባርኸካስ፡ እቲ ምሳኻ ግደን ርስትን ዜብሉ ሌዋውን እቶም ኣብ ውሽጢ ደጌኻ ዘለዉ
ስደተኛን ዘኽታምን መበለትን ይምጽኡ እሞ ይብልዑን ይጽገቡን።

## ምዕራፍ 15

1 ኣብ መወዳእታ ሸሾብዓተ ዓመት ሕድገት ግበር። 2 እቲ ናይ ሕድገት ነገር ከኣ እዚ እዩ፡ ነፍሲ ወከፍ
መለቅሒ እቲ ንብጻዩ ዘለቅሔ ይሕደገሉ፡ ናይ እግዚኣብሄር ሕድገት ተኣውጁ እዩ እሞ፡ ካብ ብጻዩን
ሓዉን ኣይድለዮ። 3 ካብ ጓና ደኣ ድለዮ፡ ኣብ ሓውካ ዘሎካ ግና ሕደገሉ። 4 ኣብታ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ንርስቲ ኽትወርሳ ዚህበካ ምድሪ፡ እግዚኣብሄር ብርግጽ ኪባርኸካ እዩ እሞ፡ ድኻ ኣይርከበካን
እዩ። 5 ሓንትስ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዝ ክትሕልዎን ክትገብሮን፡ ንቓል
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተጠንቂቕካ ደኣ ስምዓዮ እምበር፡ 6 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ከምቲ ዘተስፈወካ
ኺባርኸካ እዩ እሞ፡ ንስኻ ድማ ንብዙሓት ህዝብታት ኽተለቅሕ ኢኻ፡ ንስኻ ግና ኣይትልቃሕን።
ንብዙሓት ህዝብታት ድማ ክትገዝእ ኢኻ፡ ንሳቶም ግና ኣይገዝኡኻን። 7 ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ዚህበካ ምድሪ፡ ኣብ ሓንቲ ኻብ ደጌታትካ ሓደ ኻብ ኣሕዋትካ እንተ ደኸየ፡ ነቲ ድኻ ሓውካ ልብኻ
ኣይትጽንዓሉ ኢድካውን ኣይትጨብጠሉ። 8 ኢድካ ኣጸቢቕካ ኽፈትሉ፡ እቲ ዜድልዮ ኸኣ ኣእኪልካ
ኣለቅሓዮ። 9 ኣብ ልብኻ ሓሳብ በሊያል ከይህልወካ ተጠንቀቕ፡ እታ ሳብዐይቲ ዓመት፡ ዓመት ሕድገት፡
ቀሪባ እያ ኢልካ፡ ዓይንኻ ድማ ኣብቲ ድኻ ሓውካ ይኸፍእ እሞ ገለ ኣይትህቦን። ንሱ ከኣ ናብ
እግዚኣብሄር ይጠርዓልካ እሞ ሓጢኣት ይኾነካ። 10 ፈቲኻ ሀቦ፡ ንእኡ ብምሃብካውን ልብኻ ኣይጕሄ፡
በዚ ምኽንያት እዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ ተግባርካን ኢድካ ኣብ ዝዘርጋሕካሉ ኹሉን
ኪባርኸካ እዩ። 11 ድኻታት ኣብ ማእከል ሃገር ኣይስኣኑን እዮም እሞ፡ ስለዚ ነቲ ኣብ ሃገርካ ዘሎ
ሓውካን ሽጉርካን ድኻኻን ኢድካ ኣጸቢቕካ ኽፈተሉ፡ ኢለ እእዝዘካ ኣሎኹ። 12 እብራዊ ሓውካ፡ ወይ
እብራዊት፡ ኣባኻ እንተ ተሸጠ፡ ሹድሽተ ዓመት ይገዛእካ፡ በታ ሳብዐይቲ ዓመት ካባኻ ሓራ

ኣውጺእካሕደጎ። [13] ካባኻ ሓራ ኣውጺእካ ኽትሕድጎ ኸሎኻ ድማ፡ ጥራዩ ኣይትስደዶ። [14] ካብ መጓሴኻን
ካብ ዓውድኻን ካብ መጽመቚ ወይንኻን ለጊስካ ሀቦ። ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝባረኸካ መጠን
ሀቦ። [15] ንስኻ ድማ ኣብ ምድሪ ግብጺ ባርያ ኸም ዝነበርካ፡ እሞ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸም ዘድሐነካ
ዘክር፡ ስለዚ ኣነ ሎሚ እዚ ነገር እዚ እእዝዘካ ኣሎኹ። [16] ንሱ ግና፡ ምሳኻ ስለ ዝጠዐሞ፡ ንኣኻን
ንቤትካን ፈቲዩ ድማ፡ ካባኻ ኣይወጽእን፡ እንተ በለካ፡ [17] ኪኸውን እዩ፡ መስፈ ውሰድ እሞ እዝኑ ኣብ
ማዕጾ ጌርካ ኣንኩሎ ንሓዋሩ ባርያኻ ይኹን። ነታ ባርያኻውን ከምኡ ግበራ። [18] ካባኻ ሓራ ምስ
እተውጽኦ ኣይኽበድካ፡ ክንዲ ዓስቢ ዓሳብ ዕጽፊ ገይሩ ሹድሽተ ዓመት ኣገልጊሉካ እዩ እሞ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ ብትገብሮ ኹሉ ኺባርኸካ እዩ። [19] ካብ ኣሓኻን ካብ በጊዕካን ኩሉ በዅሪ
እተወልደ ተባዕታይ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ቀድሶ። ብበዅሪ ብዕራይካ ኣይትዕየ፡ በዅሪ በጊዕካ ድማ
ኣይትቕረጽ። [20] ኣብቲ እግዚኣብሄር ዝሐረዮ ቦታ ዓመት ንዓመት ንስኻን ስድራ ቤትካን ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኼንካ ብልዓዮ። [21] ገለ ጕደሎ እንተለዎ ግና፡ ሓንካስ ወይ ዕውር ወይ ዝኾነ
ኽፉእ እንታ ዘለዎ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትሰውኣዮ። [22] ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ብልዓዮ። ከም
ናይ ሰሰሓን እራብን፡ ንጹህን ዘይንጹህን፡ ከም ሓደ ይብልዕዎ። [23] ሓንትስ ደሙ ኣይትብላዕ፡ ከም ማይ
ደኣ ናብ ምድሪ ኣፍስሶ።

## ምዕራፍ 16

[1] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ወርሒ ኣቢብ ካብ ግብጺ ብለይቲ ኣውጺኡካ እዩ እሞ፡ ወርሒ ኣቢብ
ሐሉ፡ ፋስጋ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ ኣብዕል። [2] ኣብታ እግዚኣብሄር ንማሕደር ስሙ ዝሐረያ ቦታ
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ኣባጊዕካን ኣሓኻን ፋስጋ ሕረድ። [3] ሾብዓተ መዓልቲ ድማ ዘይበዅዔ
እንጌራ፡ እንጌራ መከራ፡ ምስኡ ብላዕ። ካብ ምድሪ ግብጺ ብታህዋኽ ወጺእካ ኢኻ እሞ፡ ነታ ኻብ
ምድሪ ግብጺ ዝወጻእካላ መዓልቲ ምሉእ ዕድሜኻ ምእንቲ ኽትዝክራ፡ ዝበዅዔ እንጌራ ምስኡ
ኣይትብላዕ። [4] ሾብዓተ መዓልቲ ኣብ ኩሉ ዶባትካ ብዅዕ ኣይርኤ። በታ መጀመርታ መዓልትስ ንምሽታ
ኻብ ዝሐረድካዮ ስጋ ኽሳዕ ንግሆ ኣይሕደር። [5] ኣብ ዝኾነ ኻብተን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ
ደጌታትካ፡ ፋስጋ ኽትሐርድ ኣይትኽእልን። [6] ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንማሕደር ስሙ ዝሐረያ
ቦታ ደኣ፡ ኣብኣ፡ በታ ኻብ ግብጺ ዝወጻእካላ ጊዜ፡ ጸሓይ ክትዐርብ ከላ፡ ፋስጋ ሕረድ። [7] ኣብታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሐረያ ቦታ ኣብሲልካ ብልዓዮ። ንጽብሒቱ ድማ ተመሊስካ ናብ ድንኳናትካ
ኪድ። [8] ሹድሽተ መዓልቲ ዘይበዅዔ እንጌራ ብላዕ፡ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ ናይ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ዓብዪ በዓል ኣኼባ እያ፡ ገለ ዕዮ ኣይትዕየ። [9] ሾብዓተ ሰሙን ቊጸር፡ ካብታ ዓጺድ እኽሊ
እትጅምረላ ሾብዓተ ሰሙን ክትቈጽር ጀምር። [10] ከም መጠን እቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሀበካ
በረኸት ከኣ ናይ ፍቓድ መባእ ኢድካ ብምቕራብ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ በዓል ሰሙናት ኣብዕል። [11]
ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንማሕደር ስሙ ዝሐረያ ቦታ ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእካን
ግዝእትኻን ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ዘሎ ሌዋውን ኣብ ማእከልካ ዘለዉ ስደተኛን ዘኽታምን መበለትን
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተሐጐስ። [12] ንስኻ ድማ ኣብ ግብጺ ባርያ ኸም ዝነበርካ ዘክር እሞ
ነዚ ሕጋጋት እዚ ሐልዎን ግበሮን። [13] ፍርያት ካብ ዓውድኻን ካብ መጽመቚ ወይንኻን ምስ ኣከብካ፡
በዓል ዳስ ሾብዓተ መዓልቲ ኣብዕል። [14] ንስኻን ወድኻን ጓልካን ግዙእካን ግዝእትኻን ኣብ ውሽጢ
ደጌታትካ። ዘለዉ ሌዋውን ስደተኛን ዘኽታምን መበለትን ድማ ብበዓልካ ተሐጐስ። [15] እግዚኣብሄር

ኣምላኽካ ብኹሉ እቶትካን ብኹሉ ግብሪ ኢድካን ኪባርኸካ፡ ንስኻ ድማ ምሉእ ሓጐስ ክትሕጉስ ኢኻ
እሞ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ዝሐረያ ቦታ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ መዓልቲ በዓል ኣብዕል። 16
ተባዕታይካ ዘበለ ሰለስተ ሳዕ ኣብ ዓመት፡ በብዓል ቅጫን በብዓል ሰሙናትን ብበዓል ዳስን፡ ኣብታ ንሱ
ዝሐረያ ቦታ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ይርኤ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርሲ ጥራይ ኢዱ
ኣይርኤ። 17 ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሀበካ በረኸት፡ ነፍሲ ወከፍ ከምቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ይሀብ።
18 ኣብተን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚሀበካ ኹለን ደጌታትካ ንነገዳትካ ፈራዶን መኳንንትን ግበሮ።
ንህዝቢ ኸኣ ቅኑዕ ፍርዲ ይፍረዱ። 19 ፍርዲ ኣይተቕንን፡ ገጽ ርኢኻ ኣይተዳሉ። መማለዲ ድማ ዓይኒ
ጠቢባን የዕውር፡ ነገር ጻድቃን ከኣ የቕንን እዩ እሞ፡ መማለዲ ኣይትቀበል። 20 ምእንቲ ኽትነብር፡ እታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ከኣ ክትወርስሲ፡ ጽድቂ፡ እወ፡ ጽድቂ ስዐብ። 21 ኣብ ጎቦ እቲ
ንኣኻ ኢልካ እትገብሮ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ዝኾነ ኦም ኣስታርተ ንኣኻ ኣይትትከል።
22 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚጸልኦ ሓወልቲ ኸኣ ኣይተቑም።

# ምዕራፍ 17

1 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብዕራይ ኲነ በጊዕ ኲነ ጕደሎ ወይ ዝኾነ ኽፉእ ነገር ዘለዎ፡ ንሱ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ፍንፉን እዩ እሞ፡ ኣይትሰውኣዮ። 2 ኣብ ማእከልካ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ
ኣብ ሓንቲ ኻብተን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ደጌታትካ ኺዳኑ ብምፍራሱ፡ ኣብ ዓይኒ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽፉእ ዚገብር እንተ ተረኽበ፡ 3 ከይዶም ከኣ ንዘይኣዘዝክዎ ኻልኦት ኣማልኽቲ፡
ንጸሓይ ወይ ንወርሒ ወይ ንኹሎም ሰራዊት ሰማይ እንተ ኣምለኽዎምን እንተ ሰገዱሎምን፡ 4 እዚ እንተ
ነገሩኻ እሞ እንተ ሰማዕካ፡ ኣጸቢቕካ መርምር፡ ከምዚ ዝበለ ጽያፍ ኣብ እስራኤል ከም እተገብረ፡ ነገሩ
ርግጽ ሓቂ እንተ ኾይኑ፡ 5 ሽዑ ነቲ እዚ ኽፉእ ነገር እዚ ዝገበረ ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ ናብ ደጌታትካ
ኣውጽኣዮ፡ ነቲ ሰብኣይ እቲ ወይ ነታ ሰበይቲ እቲኣ ኺሞቱ ብዳርባ እምኒ ቕተሎም። 6 እቲ ዚመውት
ብኣፍ ክልተ ምስክር ወይ ሰለስተ ምስክር ይሙት፡ ብኣፍ ሓደ ምስክር ኣይሙት። 7 ንምቕታሉ ቅድም
ኢድ እቶም ምስክር፡ ደሐር ከኣ ኢድ ኲሉ ህዝቢ ኣብ ልዕሊኡ ይኹን። ንኽፉእ ካብ ማእከልካ ኣርሕቆ።
8 ኣብ ደጌታትካ ብናይ ባእሲ ነገር፡ ኣብ መንጎ ደም ንደም፡ ኣብ መንጎ ባእሲ ንባእሲ፡ ኣብ መንጎ ቑስሊ
ንቑስሊ፡ ንምፍራድ ኣዝዩ እንተ ሸገረካ፡ ተንሲእካ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሐረያ ቦታ ደይብ፡ 9
ናብ ሌዋውያን ካህናትን ናብቲ በተን መዓልታት እቲኤን ዘሎ ፈራድን ኣቲኻ ሕተቶም፡ ንሳቶም ከኣ እቲ
ናይ ፍርዲ ነገር ይነግሩኻ። 10 ከምቲ ኻብታ እግዚኣብሄር ዝሐረያ ቦታ ዝነገሩኻ ነገር ግበር፡ ከምቲ
ዝመሀሩካ ኲሉ ኽትገብር ተጠንቀቕ። 11 ከምቲ ዝመሀሩኻ ሕግን ከምቲ ዝነገሩኻ ፍርድን ግበር። ካብቲ
ዝገለጹልካ ነገር ንየማን ወይ ንጸጋም ኣይትዝበል። 12 ነቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኼገልግል
ደው ዚብል ካህን ወይ ነቲ ፈራዲ ብትዕቢት ምስማዕ ዚኣቢ ሰብ፡ እቲ ሰብ እቲ ይሙት። ነቲ ኽፉእ
ካብ እስራኤል ኣርሕቆ። 13 ኲሉ ህዝቢ ድማ ሰሚዑ ኺፈርህ እዩ፡ መሊሱውን ኣይዕበን። 14 ናብታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ኣቲኻ ምስ ወረስካያን ምስ ተቐመጥካያን፡ ከምቶም ኣብ ዙርያይ
ዘለዉ ኹሎም ህዝብታት፡ ንጉስ ኣብ ልዕለይ ከንግስ እየ፡ እንተ በልካ፡ 15 ሽዑ ነቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ዚሐርዮ ኣብ ልዕሌኻ ኣንግሶ። ሓደ ኻብ ማእከል ኣሕዋትካ ንጉስ ኣብ ልዕሌካ ኣንግስ።
ሓውካ ዘይኰነ ጓና ሰብ ኣብ ልዕሌካ ኣይተንግስ። 16 ሓንትስ፡ ኣፍራስ ደኣ ኣየብዝሕ: ኣፍራስ ምእንቲ
ኬብዝሕ ኢሉ ኸኣ፡ ነቲ ህዝቢ ናብ ግብጺ ኣይምለሶ። እግዚኣብሄር፡ ድሕሪ ደጊም ነዛ መገዲ እዚኣ

ኣይትመለስዋ፡ ኢሉኩም እዩ። [17] ልቡ ኸይስድዕ ድማ ኣንስቲ ኣየብዝሕ። ወርቅን ብሩርን ከኣ እምብዛ ኣየብዝሕ። [18] ይኸውን ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ዝፋን መንግስቱ ምስ ተቐመጠ፡ ካብቲ ኣብ ቅድሚ ሌዋውያን ካህናት ዘሎ ሕጊ ንእኡ ዚኸውን ቀዲሑ ኣብ መጽሓፍ ይጽሓፍ። [19-20] ፍርሃት እግዚኣብሄር ኣምላኹ ምእንቲ ኺመሀር፡ ልቡ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቱ ምእንቲ ኺመሀር፡ ልቡ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቱ ምእንቲ ኸይልዐል፡ ካብቲ ትእዛዝ ከኣ ንየማን ኰነ ንጸጋም ከይዘብል፡ ንሱን ደቁን ኣብ ማእከል እስራኤል መዓልትታት መንግስቱ ምእንቲ ኺነውሕ፡ ናይ እዚ ሕጊ እዚ ቓላትን እዚ ትእዛዛት እዝን ተጠንቂቑ ኺገብሮስ፡ ምስኡ ይኹን፡ ኵሉ መዓልቲ ህይወቱ ኸኣ የንብቦ።

## ምዕራፍ 18

[1] ነቶም ሌዋውያን ካህናት፡ ንብዘሎ ነገድ ሌዊ፡ ምስ እስራኤል ግደን ርስትን ኣይሀልዎም፡ እቲ ናይ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ሓውን ርስቱን ይብልዑ። [2] ኣብ ማእከል ኣሕዋቶም ከኣ ርስቲ ኣይሀልዎም፡ ከምቲ ዝበሎም፡ ርስቶምሲ እግዚኣብሄር እዩ። [3] ካብቶም መስዋእቲ ሕሩድ ዚስውኡ ህዝቢ ኸኣ ንኻህናት ዚግባእ እዚ እዩ፡ ብዕራይ ኰነ፡ በጊዕ ኰነ፡ ኢድን ምንጋጋታትን ከስዔን ንኻህን ይሀቡ። [4-5] ንሱን ደቁን ወርትግ ብስም እግዚኣብሄር ንምግልጋል ኪቘውም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ኵሎም ነገዳትካ ንእኡ ሐርይዎ እዩ እሞ፡ ቀዳማይ ስርናይካን ወይንኻን ዘይትኻን ቀዳማይ ጸጕሪ በጊዕካንውን ንእኡ ሀቦ። [6] ሓደ ሌዋዊ ኣብ ዝኾነ ኣብ እስራኤል ዚነብር፡ ካብ ሓንቲ ኻብ ደጌታትካ እንተ ወጸ እሞ ብምሉእ ድሌት ልቡ ናብታ እግዚኣብሄር ዝሐረያ ቦታ እንተ መጸ፡ [7] ሽዑ ኸምቶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብኡ ዚቘሙ ሌዋውያን ኣሕዋቱ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ የገልግል። [8] ብጀካ እቲ ኻብ ናይ ኣቦታቱ እተሸጠ ዝመጾ፡ ግዲኦም ማዕረ ማዕረ ይብልዑ። [9] ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ምስ ኣቶኻ፡ ከም ጽያፍ እቶም ህዝብታት እቲኦም ክትገብር ኣይትመሀር። [10] ወዱ ወይ ጓሉ ብሓዊ ዜሕልፍ ወይ መውደቕ ዛዕጐል ወይ ብደበናን ብተመንን ዚፈልጥ ወይ ኣስማተኛ፡ [11] ወይ ተራጋሚ፡ መናፍስቲ ዚጥይቕ፡ ወይ ጠንቋሊ ወይ ንምዉታት ዚጥይቕ፡ ኣባኻ ኣይረኸብ። [12] እዚ ነገርዚ እዚ ዚገብር ኵሉ ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ እሞ፡ ብሰሪ እዚ ጽያፍ እዚ ድማ እዩ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ቅድሜኻ ዚሰጎም። [13] ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምሉእ ኩን። [14] እቶም ንስኻ እትወርሶም ህዝብታት፡ ነቶም ብደበና ዚፈልጡን ንመውደቕቲ ዛዕጐልን ይሰምዑ፡ ንኣኻ ግን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸምዚ ዝበለ ኣይፈቐደልካን። [15] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኻብ ማእከልካ፡ ካብ ኣሕዋትካ፡ ከማይ ዝበለ ነብዩ ኼተንስኣልካ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ። [16] ከምቲ ኣብ ሆሬብ ብመዓልቲ ኣኼባ ኸምዚ ኢልካ ኻብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝለመንካዮ፡ ምእንቲ ኸይመውት መሊሰ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ኣይሰምዕን፡ እዚ ዓብዪ ሓዊ እዚ ድማ ደጊም ኣይርኣን። [17] እግዚኣብሄር ከኣ፡ እቲ እተዛረብዎ ጽቡቕ እዩ፡ በለኒ፡ [18] ከማኻ ዝበለ ነብዩ ኻብ ማእከል ኣሕዋቶም ክተንስኣሎም እየ፡ ቃለይ ከኣ ኣብ ኣፉ ኸንብር እየ፡ ንሱ ድማ ዝኣዘዝክዎ ዅሉ ኺነግሮም እዩ። [19] ይኸውን ከኣ፡ ነቲ ብስመይ ዚዛረቦ ዘረባይ ዘይሰምዕ ሰብ፡ ኣነ ኻብኡ ኽደልዮ እየ። [20] እቲ ብድፍረቱ ብስመይ ዘይኣዘዝክዎ ቓል ዚዛረብ ነብዩ፡ ወይ ብስም ካልኦት ኣማልኽቲ ዚዛረብ፡ እቲ ነብዩ እቲ ይሙት፡ [21] ብልብኻ ድማ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦ ነገር ከመይ ጌርና ንፈልጦ፡ እንተ በልካ፡ [22] እቲ ነብዩ ብስም እግዚኣብሄር ምስ ተዛረቦ፡ እቲ ነገር እንተ ዘይኰነ፡ እንተ ዘይመጸ፡ እዚ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦ ነገር ምዃኑ ምልክት ይኹንካ። እዚ እቲ ነብዩ ብድፍረት እተዛረቦ እዩ፡ ኣይትፍርሃዮ።

# ምዕራፍ 19

1 ነቶም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ምድሮም ዚህበካ ህዝብታት፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምስ ኣጥፍኦም
እሞ ምስ ወረስካዮም፡ ኣብ ከተማታቶምን ኣብ ኣባይቶምን ድማ ምስ ተቐመጥካ፡ 2 ኣብ ማእከል እታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትወርሳ ዚህበካ ምድሪ ሰለስተ ኸተማ ፍለ። 3 ንኣኻ መገዲ ጽረግ፡ ነፍሲ ወከፍ
ቀታል ነፍሲ ናብኡ ምእንቲ ኺሃድም ድማ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንርስቲ ዚህበካ ዶብ ምድርካ
ኣብ ሰለስተ ምቐሎ። 4 ናብኡ ዝሀደመ ቐታል ነፍሲ ምእንቲ ኺድሕን፡ ነገሩ ኸምዚ እዩ፡ ቀደም ጽልኢ
ዘይነበሮ እሞ ብዘይ ፍልጠት ንብጻዩ ዝቐተለ፡ 5 ዕጨይቲ ኪቖርጽ ምስ ብጻዩ ናብ ዱር እንተ ወፈረ፡
ኦም ኪቖርጽ ኢሉ፡ ማሕጸ ብኢዱ ወስ እንተ ኣበለ፡ እቲ ሓጺን ካብ ሓኽሊ ነጺሉ፡ ነቲ ብጻዩ እንተ
ረኺቦ፡ ንሱ ኸኣ እንተ ሞተ፡ ናብ ሓንቲ ኻብተን ከተማታት እቲኤን ሀዲሙ ድማ ብህይወት ይንበር። 6
ቀደም ጽልኢ ስለ ዘይነበሮ፡ ሞት ዘይግብኦ ኽነሱ፡ እቲ ፈዳይ ደም ልቡ ነዲድዎ ኸሎ፡ እቲ ቐታሊ
ኽይሰጎ፡ መገዱ ስለ ዝረሓቐ ኸኣ፡ ኣርኪቡ ኽይቀትሎ፡ 7 ስለዚ ኣነ፡ ሰለስተ ኸተማ ንኣኻ ፍለ፡ ኢሉ
እእዝዘካ ኣሎኹ። 8 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸምቲ ነቦታትካ ዝመሓለሎም፡ ዶብካ ምስ ኣግፍሓልካ፡ እቲ
ነቦታትካ ኽህቦም እየ ዝበለ፡ ኵላ እታ ሃገር ምስ ሀበካ፡ 9 እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ዅሉ ትእዛዝ
እዚ ኽትገብሮ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽተፍቅሮ፡ ወርትግ ድማ ብመገዱ ኽትከይድ እንተ
ተጠንቀቕካ፡ ሽዑ ኣብ ልዕሊ እዘን ሰለስተ ኸተማታት እዚኤን ንኣኻ ኻልኦት ሰለስተ ኽትውስኽ ኢኻ።
10 እዚ ኸኣ ኣብ ማእከል እታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትወርሳ ዚህበካ ምድሪ ንጹህ ደም ምእንቲ
ኽይፈስስ እሞ ኣብ ልዕሌኻ ደም ከይከውን እዩ። 11 ግናኸ ሓደ ሰብ ንብጻዩ እንተ ጸልኦ፡ ኣድብዩ ጸኒሑ
ድማ፡ ተንሲኡ ኽሳዕ ዚመውት እንተ ወቕዖ፡ ናብ ሃንቲ ኻብዘን ከተማታት እዚኤን እንተ ሀደመ፡ 12
ሽዑ እቶም ዓበይቲ ኸተማኡ ልኢኾም ካብኡ ይውሰድዎ፡ ኣብ ኢድ እቲ ፈዳይ ደም ድማ ኣሕሊፎም
ይሀብዎ፡ ይሙት ከኣ። 13 ምእንቲ ኪጽብቐልካ፡ ነቲ ንጹህ ደም ካብ እስራኤል ኣርሕቆ እምበር፡ ዓይንኻ
ኣይተናሕስየሉ። 14 ኣብቲ እትወርሶ ርስትኻ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትርስትያ ዚህበካ ምድሪ፡
እቶም ቀዳሞት ዝደወብዎ፡ ዶብ ብጻይካ ኣይተግዕዝ። 15 ኣብ ዝኾነ በደል ወይ ኣብ ዝኾነ ሓጢኣት፡
ኣብ ዚግበር ዘበለ ሓጢኣት፡ ሓደ ምስክር ኣብ ሰብ ኣይቐውም። ኵሉ ነገር ብኣፍ ክልተ ምስክር ወይ ብኣፍ
ሰለስተ ምስክር ይቐውም። 16 ሓሳዊ ምስክር ኣብ ሰብ ብገለ ኣበሳ ኺምስክር እንተ ተንስኤ፡ 17 ሽዑ
ኽልቲኦም ባእሲ ዘለዎም ሰብ ኣብ ቅድሚ ኻህናትን ኣብ ቅድሚ እቶም በተን መዓልትታት እቲኤን
ፈራዶ ዝኾኑን፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይቐሙ። 18 እቶም ፈራዶ ድማ ኣጸቢቖም ይመርምሩ፡ እንሆ
ድማ፡ እቲ ምስክር ሓሳዊ ምስክር እንተ ኾነ እሞ ኣብ ሓዉ ብሓሶት እንተ መስከረ፡ 19 ሽዑ ኸምቲ
ንሓዉ ኺገብሮ ዝሐሰበ፡ ግበርዎ። ነቲ ኽፉእ ካብ ማእከልካ ኣርሕቕ። 20 እቶም ዝተረፉ ኸኣ ኺሰምዑን
ኺፈርሁን እዮም እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ከምዚ ዝበለ ኽፉእ ነገር ኣብ ማእከልካ ኣይገብሩን። 21 ዓይንኻ
ኣይተናሕስየሉ፡ ኣብ ክንዲ ነፍሲ፡ ነፍሲ፡ ኣብ ክንዲ ዓይኒ፡ ዓይኒ፡ ኣብ ክንዲ ስኒ፡ ስኒ፡ ኣብ ክንዲ
ኢድ፡ ኢድ፡ ኣብ ክንዲ እግሪ፡ እግሪ።

# ምዕራፍ 20

1 ምስ ጸላእትካ ኽትዋጋእ ምስ ወጻእካ፡ ኣፍራስን ሰረገላታትን ካባኻ ዚበዝሕ ህዝብን እንተ ርኤካ፡ ሽዑ
እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኣካ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምሳኻ እዩ እሞ፡ ኣይትፍርሃዮም። 2 ኪኸውን
ድማ እዩ፡ ናብቲ ውግእ ምስ ቀረብኩም፡ እቲ ኻህን ቀሪቡ ነቲ ህዝቢ ይዛረቦ፡ 3-4 ዎ እስራኤል፡ ስማዕ፡

ሎሚ ምስ ጸላእትኹም ክትዋግኡ ቐሪብኩም ኢኹም፡ እቲ ምእንቲ ኼድሕነኩም፡ ምስ ጸላእትኹም
ኪዋጋእ ምሳኻትኩም ዚኸይድ ከኣ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እዩ እሞ፡ ልብኹም ኣይሽበር፡
ኣይትፍርሁ፡ ኣይትሰምብዱ ድማ፡ ኣብ ቅድሚኦምውን ኣይትጀጅዉ። 5 እቶም መኳንንቲ ድማ ንህዝቢ
ኸምዚ ኢሎም ኣይዛረቡ። ሓድሽ ቤት ዝሰርሔ ሰብ እሞ ዘየመረቖ መን ኣሎ፧ ኣብቲ ውግእ ከይመውት
እሞ ካልእ ሰብ ከየመርቖስ፡ ይኺድ ናብ ቤቱ ይመለስ። 6 ወይኒ ዝተኸለ ሰብ እሞ ዘይተሓጐሰሉ መን
ኣሎ፧ ኣብ ውግእ ከይመውት፡ ካልእ ሰብ ድማ ከይሕጐሰሉ፡ ይኺድ ናብ ቤቱ ኸኣ ይመለስ። 7 ሰበይቲ
እተሓጽየ ሰብ እሞ ዘየእተዋ መን ኣሎ፧ ኣብ ውግእ ከይመውት እሞ ካልእ ሰብ ከይወስዳስ ይኺድ፡ ናብ
ቤቱውን ይመለስ። 8 እቶም መኳንንቲ ኸኣ ነቶም ህዝቢ ወሲኾም ይዛረብዎም፡ ይበሉ ድማ፡ ፈራህ ሰብ
ልቡ ዚጀጁ መን ኣሎ፧ ከምቲ ልቡ፡ ልቢ ኣሕዋቱ ከኣ ከይሸበርሲ፡ ይኺድ ናብ ቤቱውን ይመለስ። 9
ይኸውን ድማ፡ እቶም መኳንንቲ ነቲ ህዝቢ ተዛሪቦም ምስ ወድኡ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ህዝቢ ሓላቓ ሰራዊት
ይሸሙ። 10 ንሓንቲ ኸተማ ኽትዋግኣ ኢልካ ምስ ቀረብካ፡ ቅድም ንዕርቂ ጸዋዓያ። 11 ይኸውን ድማ፡
ሕራይ ኢሎም ደገ እንተ ኸፈቱልካ፡ ሽዑ ኪኸውን እዩ፡ ኣብኣ እተረኽበ ዅሉ ህዝቢ ገባርካ ይኹን እሞ
የገልግልካ። 12 እትዋግኣካ ደኣ እምበር፡ ዘይትዕረቐካ እንተ ዀነት፡ ሽዑ ኸበባ። 13 እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ኣብ ኢድካ ምስ ሀበካ ድማ፡ ንብዘሎ ተባዕታይ ብስሕለት ሴፍ በሎ። 14 ኣንስትን ሕጻናትን
ማልን ኣብታ ኸተማ ዘሎ ዅሉን ግና፡ ብዘሎ ምርኮኣ ንኣኻ ምርኮ ውሰዶ። እቲ እግዚኣብሄር ኣምላኻ
ዝሀበካ ምርኮ ጸላእትካ ኸኣ ክትበልዖ ኢኻ። 15 ነተን ካባካ ኣዝየን ዝረሓቓ ዅለን ከተማታት፡ ካብ
ከተማታት እዞም ህዝብታት እዚኣቶም ዘይኰና፡ ከምኡ ግበረለን። 16 ካብዘን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ንርስቲ ዚህበካ ኸተማታት እዞም ህዝብታት እዚኣቶም ግና፡ ትንፋስ ዘለዎ ሓደ እኳ ብህይወት
ኣይትሕደገ። 17-18 ንሔታውያን ንኣሞራውያን ንከነኣናውያን ንፈረዛውያን ንሃዋውያን
ንይቡሳውያን ግና፡ ከምቲ ንኣማልኽቶም ዚገብርዎ ዅሉ ጽያፎም ንምግባር ምእንቲ ኸይምህሩኹም
እሞ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከይትብድሉስ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ፡ ጠሪስካ
ኣጥፍኣዮም። 19 ንሓንቲ ኸተማ፡ ምእንቲ ኽትሕዛ ብዙሕ መዓልቲ ምስ እትኸባ፡ ኣእዋማ ብማሕጸ
ኣይተጥፍእ። ካብኤን ክትበልዕ ኢኻ እሞ፡ ኣይትቘረጾን። ኣእዋም መሮር፡ ንስኻ እትኸቦም፡ ሰባትዶ
እዮም፧ 20 እተን ከም ዘይብላዕ ዝፈለጥካየን ኣእዋም ጥራይ ኣጥፍእ፡ ቍረጽ ድማ፡ እታ እትዋግኣካ
ኸተማ ኽሳዕ እትወድቕ፡ መኸበቢኣ ስርሓላ።

## ምዕራፍ 21

1 ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንርስቲ ዚህበካ ምድሪ እተቐትለ ሰብ ኣብ መሮር ወዲቑ እንተ ተረኽበ፡
ቀታሊኡ ድማ እንተ ዘይተፈልጠ። 2 ሽዑ ዓበይትኻን ፈራዶኻን ይውጽኡ፡ ካብቲ እተቐትለ ናብተን ኣብ
ዙርያኡ ዘለዋ ኸተማታት ይስፈሩ። 3 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እታ ናብቲ እተቐትለ ዝቐረበት ከተማ፡ እቶም
ዓብየቲ እታ ከተማ ዘይዐየየት ኣርዑት ዘይሰሓበት ኣርሒ ይውሰዱ። 4 እቶም ዓበይቲ እታ ኸተማ ድማ
ነታ ኣርሒ ናብ ዘይዕየን ዘይዝራእን ወሓዚ ርባ የውርደዋ። ኣብቲ ርባ ኸኣ ነታ ኣርሒ ኽሳዳ ይስበርዋ።
5 ካህናት ደቂ ሌዊ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኼገልግልዎ ብስሙውን ኪባርኹ ሓርይዎም እዩ እሞ፡
ይቕረቡ። ኵሉ ባእስን ኵሉ መፍጋእትን ከኣ ከም ቃሎም ይቚም። 6 ናብቲ ቕቱል ዝቐረቡ ኲሎም
ዓበይቲ እታ ኸተማ ኣብ ልዕሊ እታ ኣብ ርባ ኽሳዳ እተሰብረት ኣርሒ ኣእዳዎም ይተሐጸቡ፡ 7 ይምለሱ
ይበሉ ኸኣ፡ ነዚ ደም እዚ ኣእዳውና ኣየፍሰሶን፡ ኣዒንትናውን ኣይረኣያን። 8 ዎ እግዚኣብሄር፡ ነዚ

እተበጀኻዮ ህዝብኻ እስራኤል ይቕረ በለሉ፡ ንጹህ ደም ድማ ኣብ ማእከል ህዝብኻ እስራኤል
ኣይትቝጸር። እቲ ደም ከኣ ይስረየሎም። 9 ኣብ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር እቲ ቕኑዕ ምስ እትገብር፡ ንስኻ
ንጹህ ደም ካብ ማእከልካ ኣርሕቕ። 10 ምስ ጸላእትኻ ኽትዋጋእ ምስ ወጻእካ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ድማ ኣብ ኢድካ ምስ ህበካ፡ ምስ ማረኽካዮምውን፡ 11 ኣብ መንጎ እቶም ምሩኻት መልክዔኛ ሰበይቲ
እንተ ርኤኻ እሞ ፈቲኻያ ሰበይትካ ኽትገብራ እንተ ደሌኻ፡ 12 ናብ ውሽጢ ቤትካ ኣእትዋ፡ ርእሳ ኸኣ
ትላጺ፡ ጽፍራውን ትቝረጽ። 13 ነቲ ተኸዲናቶ እተማረኸት ክዳና ድማ ትደርብዩ፡ ኣብ ቤትካ ትንበር፡
ነቦኣን ነዲኣን ከኣ ወርሒ ምሉእ ትብከየሎም። ድሕርዚ ኣእትዋ እሞ ሰብኣያ ኹን ንሳ ድማ ሰበይትኻ
ትኹን። 14 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ባህ እንተ ዘይበለትካ፡ ሽዑ ናብ ዝደለየቶ ትኺድ ሕደጋ። ንገንዘብ ግና
ከቶ ኣይትሸጣ፡ ኣዋሪድካያ ኢኻ እሞ፡ ከም ባርያ ኣይትግበራ። 15 ንሓደ ሰብኣይ ክልተ ኣንስቲ እንተ
ኣለዋኦ፡ እታ ሓንቲ ፍትውቲ እታ ሓንቲ ኸኣ ጽልእቲ፡ እታ ፍትውትን እታ ጽልእትን ደቂ እንተ
ወለዳሉ፡ እቲ በዅሪ ኸኣ ወዲ እታ ጽልእቲ እንተ ኾነ፡ 16 ኪኸውን ድማ እዩ፡ በታ ገንዘቡ ንደቁ
ዜውርሰላ መዓልቲ፡ ወዲ እታ ጽልእቲ፡ ንሱ በዅሪ ኸሎ፡ ካብኡ ኣምሪሑ ንወዲ እታ ፍትውቲ በዅሪ
ኺገብር ኣይኽእልን። 17 ንወዲ እታ ጽልእቲ ካብ ኵሉ ዘለዎ ዕጽፊ ብምሃቡ በዅሪ ምዃኑ የፍልጦ፡ ንሱ
መጀመርታ ሓይሉ እዩ እሞ፡ ብዅርነት ንእኡ ይግብኦ። 18 ንሓደ ሰብ ህልኸኛን ዓመጸኛን፡ ቃል ኣቦኡን
ቃል ኣዲኡን ዘይሰምዕ ወዲ እንተለዎ፡ እንተ ቐጽዕዎ ድማ ዘይእዘዞም፡ 19 ኣቦኡን ኣዲኡን ሒዞም ናብ
ዓበይቲ እታ ኸተማኡን ናብ ደገ ቦታኡን የውጽእዎ፡ 20 ነቶም ዓበይቲ እታ ኸተማኡ፡ እዚ ወድና እዚ
ህልኸኛን ዓመጸኛን እዩ፡ ንቓልና ኣይሰምዕን፡ ህሩፍን ሰካርን እዩ፡ ከኣ ይበልዎም። 21 ኵሎም ሰብ እታ
ኸተማኡ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎ፡ ይሙት ከኣ። ክፉእ ዘበለስ ካብ ማእከልካ ኣርሕቕ፡ ብዘሎ እስራኤል
ከኣ ሰሚዑ ኺፈርህ እዩ። 22 ሰብ ናብ ሞት ዜብጽሕ ኣበሳ እንተ ገበረ እሞ ኣሕሊፍካ ንሞት እንተ
ተዋህበ፡ ኣብ ዕጨይቲ ድማ እንተ ሰቐልካዮ፡ 23 ነቲ ሬሳኡ ሽዑ መዓልቲ ደኣ ቕበሮ እምበር፡ ኣብ
ዕጨይቲ ኣይሕደር። እቲ እተሰቕለ ብእግዚኣብሄር እተረግመ እዩ እሞ፡ ነታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ንርስቲ ዚህበካ ምድሪ ኣይተርክሳ።

# ምዕራፍ 22

1 ናይ ሓውካ ብዕራይ ወይ በጊዕ ጠፊኦም እንተ ርኤኻ፡ ናብ ሓውካ ምለሶም እምበር፡ ካብኦም
ኣይትተሐባእ። 2 እቲ ሓውካ ኣብ ጥቓኻ እንተ ዘይኮነ ወይ እንተ ዘይፈለጥካዮ፡ ናብ ውሽጢ ቤትካ
ኣክቦ፡ እቲ ሓውካ ኽሳዕ ዚደልዮ፡ ምሳኻ ይጽናሕ፡ ሽዑ ምለሰሉ። 3 ንኣድጉ ኸምኡ ግበር፡ ብኽዳኑ ኸኣ
ከምኡ ግበር፡ ብዝኾነ ናይ ሓውካ ዝጠፍኦ ኣቕሓ፡ ምስ ረኸብካዮ፡ ከምኡ ግበር፡ ክትሕባእ
ኣይትኽእልን። 4 ኣድጊ ሓውካ ወይ ብዕራይ ኣብ መገዲ ወዲቑ እንተ ርኤኻ፡ ምስኡ ኼንካ ንምትንሳኡ
ሐግዞ እምበር፡ ካብኦም ኣይትተሐባእ። 5 ሰበይቲ ኽዳን ሰብኣይ ኣይትከደን፡ ሰብኣይ ከኣ ክዳን ሰበይቲ
ኣይከደን፡ ከምዚ ዚገብር ዘበለ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ፍንፉን እዩ። 6 ንቕድሜኻ ኣብ መገዲ ኣብ
ዝኾነ ኦም ወይ ኣብ ምድሪ እንዳ ዑፍ ምስ ጨጨውት ወይ እንቋቝሖ፡ ኣዲኦም ከኣ ነቶም
ጨጨውት ወይ እንቋቝሖ ሐቝፋ እንተ ጸንሓትካ፡ ነታ ኣደ ምስ ጨጨውታ ኣይትውሰዳ። 7 ምእንቲ
ኺጽብቐልካ፡ መዓልትታትካ ኸኣ ኪነውሕሲ፡ ነታ ኣደ ትኺድ ሕደጋ፡ እቶም ጨጨውታ ድማ ንኣኻ
ውሰዶም። 8 ሓድሽ ቤት ምስ እትሰርሕ፡ ገለ ሰብ ካብኣ እንተ ጸደፈ፡ ንቤትካ ደም ከይተምጽኣላ፡
ንናሕስኻ መጋረዲ ግበረሉ። 9 ኣብ ኣታኽልቲ ወይንኻ፡ እቲ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ምስቲ ፍረ ወይኒ ሐቢሩ

ኽይቅደስ፡ ክልተ ዓይነት ዘርኢ ኣይትዝራእ [10] ብዕራይን ኣድግን ብሓደ ጸሚድካ ኣይትሕረስ። [11] ካብ
ጸጕርን ልሕጺ እንጣጢዕን ተሐዊሱ እተኣልመ ዓለባ ኣይትከደን። [12] ነቲ እተኸድኖ ኽዳንካ ኣብ ኣርባዕተ
መኣዝኑ ዘፈር ግበረሉ፡ [13] ሓደ ሰብኣይ ሰበይቲ እንተ ወሰደ፡ ምስ ኣተዋ ኸኣ እንተ ጸልኣ፡ [14] ዜነውር ነገር
ድማ እንተ ኣሰከማ፡ ነዛ ሰበይቲ እዚኣ ወሰድክዋ፡ ምስ ቀረብክዋ ግና ድንግልና ኣይረኸብኩላን፡ ኢሉ
ኽፉእ ስም እንተ ኣውረየላ፡ [15] ሽዑ ኣቦ እታ ጓልን ኣዲኣን ምልክት ድንግልና እታ ጓል ወሲዶም ናብ
ዓበይቲ እታ ኸተማ ኣብ ደገ የውጽእዋ። [16] ኣቦ እታ ጓል ከኣ ነቶም ዓበይቲ ይበሎም፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ
ጓለይ፡ ሰበይቱ ኽትከውን፡ ሀብክዎ፡ ንሱ ኸኣ ጸልኣ። [17] እንሆ ድማ፡ ንጓልካ ድንግልና ኣይረኸብኩላን፡
ኢሉ ዜነውር ነገር ኣሰከማ። ምልክት ድንግልና ጓለይ እዚ እዩ። ነቲ ኽዳና ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቶም
ዓበይቲ እታ ኸተማ ይዘርግሕዎ። [18] ሽዑ እቶም ዓበይቲ እታ ኸተማ ነቲ ሰብኣይ ወሲዶም ይቕጽዕዎ። [19]
ንድንግል እስራኤል ክፉእ ስም ስለ ዘውረየላ፡ ሚእቲ ሲቃል ብሩር የዕድይዎ፡ ነቦ እታ ጓል ድማ
ይሀብዎ። ሰበይቱ ከኣ ትኹን፡ ብዅሉ ዘበኑ ኺፈትሓ ኣይኽእልን። [20] እቲ ነገር ሓቂ እንተ ዀነ ግና፡ እታ
ጓል ድንግልና እንተ ዘይተረኽባ፡ [21] ሽዑ ነታ ጓል ናብ ደገ ቤት ኣቦኣ የውጽእዋ፡ ኣብ ቤት ኣቦኣ
ብምምንንዛራ ኣብ እስራኤል ነውሪ ስለ ዝገበረት፡ እቶም ሰብ እታ ኸተማኣ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዋ፡
ትሙት። ክፉእ ዘበለስ ካብ ማእከልካ ኣርሕቆ። [22] ሰብኣይ ምስ ምርዕውቲ ሰበይቲ ደቂሱ እንተ ተረክበ፡
እቲ ምስታ ሰበይቲ ዝደቀሰ ሰብኣይን እታ ሰበይትን ክልቲኦም ይሙቱ። ነቲ ኽፉእ ካብ እስራኤል
ኣርሕቆ። [23] ኣብ ሰብኣይ እተሐጽየት ድንግል ጓል እንተላ፡ ሰብኣይ ከኣ ኣብ ከተማ ረኺብዋ ምስኣ እንተ
ደቀሰ፡ [24] እታ ጓል፡ ኣብ ከተማ ኽነሳ ስለ ዘየእወየት፡ እቲ ሰብኣይ ከኣ፡ ሰበይቲ ብጻዩ ስለ ዘነወረ፡
ንኽልቲኦም ናብ ደገ እታ ኸተማ እቲኣ ኣውጺእኩም፡ ኪሞቱ ብዳርባ እምኒ ቕተልዎም። ነቲ ኽፉእ ካብ
ማእከልካ ኣርሕቆ። [25] ግናኸ እቲ ሰብኣይ ነታ ሕጽይቲ ጓል ኣብ መሮር እንተ ረኸባ እሞ ብሓይሊ እንተ
ደቀሳ፡ ሽዑ እቲ ዝደቀሳ ሰብኣይ በይኑ ይሙት። [26] ነታ ጓል ግና ገለ ኣይትግበራ፡ እዚ ሰብኣይ ንብጻዩ
ተንሲኡ ኽም ዚቐተሎ እዩ እሞ፡ እታ ጓልሲ ንሞት ዚኸውን በደል የብላን። [27] ኣብ መሮር እዩ ዝረኸባ
እምበር፡ ንሳ፡ እታ ሕጽይቲ ጓልሲ፡ ኣእውያ፡ ዜድሕና ግና ኣይነበረን። [28] ሓደ ሰብኣይ ሓንቲ
ዘይተሐጽየት ድንግል ጓል እንተ ረከበ እሞ ሒዙ እንተ ደቀሳ፡ እንተ ተረኽቡ ኸኣ፡ [29] እቲ ምስኣ ዝደቀሰ
ሰብኣይ ነቦ እታ ጓል ሓምሳ ሲቃል ብሩር ይሀቦ፡ ኣነዊርዋ እዩ እሞ፡ ሰበይቱ ትዅን። ብዅሉ ዘበኑ
ኺፈትሓ ኣይኽእልን። [30] ሰብ ሰበይቲ ኣቦኡ ኣይውሰድ፡ ወሰን ክዳን ኣቦኡ ኣይቕላዕ።

## ምዕራፍ 23

[1] ፍረ ነፍሱ እተቐጥቀጠ ወይ ብልዕቱ እተሰልበ ናብ ማሕበር እግዚኣብሄር ኣይእቶ። [2] ድቓላ ናብ
ማሕበር እግዚኣብሄር ኣይእቶ። ካብ ናቱ ኽሳዕ ዓስራይ ወለዶ እኳ ናብ ማሕበር እግዚኣብሄር ኣይእቶ።
[3] ዓሞናዊ ወይ ሞኣባዊ ናብ ማሕበር እግዚኣብሄር ኣይእቶ። ካብኦም ዓስራይ ወለዶ እኳ ኽሳዕ ዘለኣለም
ናብ ማሕበር እግዚኣብሄር ኣይእቶ። [4] እዚ ኻብ ግብጺ ምስ ወጻእኩም፡ ኣብ መገዲ እንጌራን ማይን
ሒዞም ስለ ዘይተቐበሉዅም፡ ንበላዓም ወዲ ቤዖር ድማ፡ ምእንቲ ኺረግመካ፡ ካብ ጴቶር ናይ
ኣራምነሃራዪም ብዋጋ ስለ ዘምጽእዎ እዩ። [5] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስለ ዘፍቀረካ ግና፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ንበላዓም ኪሰምዖ ኣይፈተወን፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ነቲ መርገም ናብ ምርቓ ደኣ
መለሰልካ። [6] ምሉእ ዕድሜኻ ንዘለኣለም ሰላሞምን ልምዓቶምን ኣይትድለ። [7] ንኤዶማዊ፡ ሓውካ እዩ
እሞ፡ ኣይትፈንፍኖ። ንግብጻዊ፡ ኣብ ሃገሩ ስደተኛ ኔርካ ኢካ እሞ፡ ኣይትፈንፍኖ። [8] ካብ ሳልሳይ ወለዶ

እተወልዱ ቈልዑኦም ናብ ማሕበር እግዚኣብሄር ይእተዉ። 9 ንጸላእትኻ ኽትወግእ ወጺእካ ምስ
እትሰፍር፡ ካብ ክፉእ ዘበለ ኹሉ ተጠንቀቕ። 10 ኣባኻ ገለ ብለይቲ ብዝመጾ ነገር ዘይጽሩይ ሰብኣይ
እንተሎ፡ ካብ ሰፈር ናብ ወጻኢ ይውጻእ፡ ናብ ውሽጢ ሰፈር ኣይእቶ። 11 ይኹን ድማ፡ ኣጋምሸት ማይ
ይተሐጸብ፡ ጸሓይ ምስ ዐረበት ከኣ፡ ናብ ውሽጢ ሰፈር ይእቶ። 12 ኣብ ወጻኢ ሰፈር እትወጸሉ ቦታ
ይሀሉኻ። 13 ምስ መሳርያኻ ድማ ሓንካሾ ሐዝ፡ ይኹን ድማ፡ ኣብ ወጻኢ ኾፍ ምስ በልካ፡ ብእኡ
ጉድጓድ ኽትኩዕት፡ ነቲ ውጽኣትካ ተመሊስካ ኽትከድኖ ኢኻ። 14 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ምእንቲ
ኼድሕነካን ንጸላእትኻ ኣብ ኢድካ ኺህበካን፡ ብማእከል ሰፈርካ ኺሐልፍ እዩ እሞ፡ ገለ ዜሕፍር ነገር
ከይርእየልካ፡ ገጹ ኸኣ ካባኻ ኸይመልስ፡ እቲ ሰፈርካ ቅዱስ ይኹን። 15 ካብ ጐይታኡ ሀዲሙ
ንእተማዕቈበካ ባርያ ናብ ጐይታኡ ኣሕሊፍካ ኣይትሀቦ። 16 ምሳኻ ኣብ ሓንቲ ኻብ ደጌታትካ ዝሔሾቶ
ኣብ ዝሐረያ ቦታ ይቀመጥ፡ ኣይተጥቕዓዮ ኸኣ። 17 ካብ ኣዋልድ እስራኤል ኣመንዝራ ኣይትኹን፡ ካብ
ኣወዳት እስራኤል ከኣ ኣብ ተባዕታይ ዚምንዝር ኣይኹን። 18 ክልቲኦም ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ፍንፉናት እዮም እሞ፡ ኣብ ክንዲ ዝኾነ መብጽዓኻ ዓስቢ ኣመንዝራን ዋጋ ኸልብን ናብ ቤት
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይተእቱ። 19 ሓረጣ ገንዘብ ኰነ፡ ሓረጣ እኽሊ ኰነ፡ ብዚሕረጥ ኵሉ ነገር
ንሓውካ ኣይተሕርጥ። 20 ንጓና ደኣ ኣሕርጥ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብታ ኽትወርሳ እትኣትዋ ሃገር
ኣብ ኵሉ ተግባርካ ምእንቲ ኺባርኸካስ፡ ንሓውካ ኣይተሕርጥ። 21 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ መብጽዓ
ምስ ተማባጸዕካ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብዛዕባኡ ኻባኻ ጸብጺብ ኪደሊ እዩ እሞ፡ ሓጢኣት
ከይኰነካ፡ ንምፍጻሙ ኣይትደንጒ። 22 እንተ ዘይተማባጸዕካ ግና፡ ሓጢኣት የብልካን። 23 እቲ ኻብ
ከናፍርካ ዝወጸ፡ ከምቲ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብፍቓድካ እተማባጸዕካዮ፡ ኣፍካ እተዛረቦ ሓልዎን
ግበሮን። 24 ናብ ኣታኽልቲ ወይኒ ብጻይካ እንተ ኣቶኻ፡ ካብቲ ወይኒ ዊን ከም ዝበለካ፡ ክሳዕ እትጸግብ፡
ብላዕ፡ ናብ ኣቕሓኻ ግና ኣይትግበር። 25 ናብ ዘራእቲ ብጻይካ ምስ ኣቶኻ፡ ሰዊት ብኢድካ ቐጽ፡ ማዕጺድ
ግና ኣብ ዘራእቲ ብጻይካ ኣይተእቱ።

# ምዕራፍ 24

1 ሓደ ሰብኣይ ሰበይቲ እንተ ወሰደ እሞ እንተ ኣእተዋ፡ ይኹን ድማ፡ ዜሕፍር ነገር ስለ ዝረኸበላ፡ ኣብ
ቅድሚኡ ሞገስ እንተ ዘይረኸበት፡ መጽሓፍ መፍትሒእ ጽሒፉ ኣብ ኢዳ ይሀባ፡ ካብ ቤቱውን ይስደዳ።
2 ካብ ቤቱ ምስ ወጸት ድማ፡ ከይዳ ሰበይቲ ኻልእ ሰብኣይ እንተ ኰነት፡ 3 እቲ ኻልኣይ ሰብኣይውን
እንተ ጸልኣ፡ መጽሓፍ መፍትሒእ ጽሒፉ ኣብ ኢዳ እንተ ሀባ፡ ካብ ቤቱ ድማ እንተ ሰደዳ፡ ወይ እቲ፡
ሰበይቱ ኽትኮና፡ ዝወሰዳ ኻልኣይ ሰብኣይ እንተ ሞተ፡ 4 እንድሕሪ ረኽሰት፡ እቲ ዝሰደዳ ቐዳማይ
ሰብኣያ፡ ሰበይቱ ኽትከውን፡ መሊሱ ኺወስዳ ኣይኽእልን። እዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ፍንፉን እዩ እሞ፡ ንርስቲ ዚህበካ ምድሪ ሓጢኣት ኣይተምጽኣላ። 5 ሓደ ሰብኣይ ሓዳስ ሰበይቲ ምስ
ኣእተወ፡ ናብ ውግእ ኣይውጻእ፡ ገለ ናይ ዕዮ ነገርውን ኣይጽዐንዎ። ሓንቲ ዓመት ኣብ ቤቱ ሓራ ይኹን፡
ነታ ዝወሰዳ ሰበይቱ ባህ የብላ። 6 ሰብ መጥሓንን መዲድን፡ ንሱ ነፍሲ እዩ ዚሕዝ ዘሎ እሞ፡ ንታሕዚ
ኣይውሰዶ። 7 ሓደ ሰብ ንሓደ ኻብ ኣሕዋቱ ኻብ ደቂ እስራኤል ሰሪቑ፡ ባርያ ኺገብሮ ወይ ኪሸጦ ኸሎ
እንተ ተረኽበ፡ እቲ ሰራቒ እቲ ይሙት። ነቲ ኽፉእሲ ኻብ ማእከልካ ኣርሕቆ። 8 ካብ ሕማም ለምጺ
ተሐሎ፡ ከምቲ ሌዋውያን ካህናት ዝመሀሩኹም፡ ኵሉ ኽትገብር ኣጸቢቕካ ተጠንቀቕ። ከምቲ ኣነ
ዝኣዘዝክዎም፡ ክትገብሩ ተጠንቀቑ። 9 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ እቲ ኻብ ግብጺ ወጺእኩም ኣብ መገዲ

ኽሎኹም፡ ንሚርያም ዝገበሮ ዘክር። [10] ንብጻይካ ገለ ለቓሓ ምስ እትለቅሖ፡ ታሕዚ ኽትወስድ ናብ ቤቱ
ኣይትእቶ። [11] ኣብ ግዳም ደው ኢልካ ጽናሕ፡ እቲ ንስኻ ዘለቃሕካዮ ሰብ ነቲ ታሕዚ ናብ ግዳም ናባኻ
የውጽኣዮ። [12] እቲ ሰብ ንሱ ድኻ እንተ ኾነ፡ እቲ ታሕዛ ኣባኻ ኣይተሕድር። [13] ተኸዲንዎ ምእንቲ
ኪድቅስ፡ እቲ ታሕዚ ዕርበት ጸሓይ ምለሰሉ፡ ይምርቓካ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካውን
ንጽድቂ ይኹነካ። [14] ካብ ኣሕዋትካ እንተ ኾነ፡ ወይ ኣብ ሃገርካ ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ ኻብ ዚነብሩ
ጓኖትካ እንተ ኾነ፡ ንድኻን ሽጉርን ወዓላይ ኣይትዕምጾ። [15] ንሱ ድኻ እዩ፡ ነፍሱ ኸኣ ንእኡ ትጽበ ኣላ
እሞ፡ ውዕለቱ ሽዑ መዓልቲ ጸሓይ ከይዐረበት ሀቦ። እንተ ዘይኰነስ፡ ናብ እግዚኣብሄር ይጠርዓልካ፡
እሞ ሓጢኣት ይኾነካ። [16] ኣቦታት ብሰሪ ደቆም ኣይሙቱ፡ ደቂ ኸኣ ብሰሪ ኣቦታት ኣይሙቱ። ነፍሲ
ወከፍ በብሓጢኣቱ ይሙት። [17] ንስደተኛን ንዘኽታምን ፍርዲ ኣይትጥወ፡ ክዳን መበለት ከኣ ንታሕዚ
ኣይትውሰድ። [18] ንስኻ ድማ ኣብ ግብጺ ባርያ ከም ዝነበርካን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ ካብኡ ኸም
ዘድሓነካን ዘክር። ስለዚ ነዚ ነገር እዚ ኽትገብሮ፡ ኣነ እእዝዘካ ኣሎኹ። [19] እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ብኹሉ ግብሪ ኢድካ ምእንቲ ኺባርኸካስ፡ ዓጺድካ ኣብ ግራትካ ኽትዕጽድ ከሎኻ፡ ኣብ ግራት እንዳእቲ
እንተረሳዕካ፡ ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ይኹን እምበር፡ ክትወስዶ ኣይትመለስ። [20] ኣውልዕካ
ምስ እተርግፍ፡ መሊስካ ኣብ ጨናፍር ኣይትእረ፡ ንሱስ ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ደኣ ይኹን።
[21] ወይንኻ ምስ እትቕንጥብ፡ መሊስካ ኣይተቓርሞ፡ ንሱስ ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ደኣ
ይኹን። [22] ኣብ ምድሪ ግብጺ ባርያ ኸም ዝነበርካ ዘክር፡ ስለዚ ነዚ ነገር እዚ ኽትገብሮ እእዝዘካ
ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 25

[1] ኣብ መንጎ ሰባት ባእሲ እንተ ኾነ፡ ኺፍረዱውን ናብ ፍርዲ እንተ መጹ፡ ነቲ ቕኑዕ ናጻ የውጽእዎ፡
ነቲ በዳሊ ኸኣ ይፍረድዎ። [2] ይኸውን ድማ፡ እቲ በደለኛ መግረፍቲ ዚግብኦ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ፈራዲ
ናብ ምድሪ ኣውዲቑ፡ ከም በደሉ ልክዕ ብቝጽሪ ኣብ ቅድሚኡ የግርፎ። [3] ኣርብዓ ይግረፎ፡ ሓለፉ እቲ
ቝጽሪ ኣብዚሑ እንተ ገረፎ፡ ሓውካ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ኸይሐስር ካብኡ ኣይብዛሕ። [4] ኣፍ እቲ
ዜኸይድ ብዕራይ ኣይትእሰር። [5] ኣሕዋት ብሓንሳእ እንተ ተቐመጡ እሞ፡ ሓዲኦም ውሉድ ዜብሉ እንተ
ሞተ፡ ሰበይቲ እቲ ዝሞተ ናብ ወጻኢ ጓና ኣይትተኣቶ። እቲ ሓሙታ ናብኣ ኣትዩ ንርእሱ ይውረሳ እሞ
ናይ ሓሙት ግቡእ ይፈጽመላ። [6] ይኸውን ድማ፡ ስም እቲ ምዉት ሓዉ ካብ እስራኤል ምእንቲ
ኸይድምሰስ፡ እቲ ዝወለደቶ በዅሪ ብስሙ ይጸዋዕ። [7] እቲ ሰብኣይ ንሰበይቲ ሓዉ ኺወርሳ እንተ
ዘይፈተወ፡ እታ ሰበይቲ ሓዉ ናብ ደገ፡ ናብቶም ዓበይቲ ትደይብ፡ እዚ ሓሙተይ ስም ሓዉ ኣብ
እስራኤል ከየቕውም ኣብዩ፡ እቲ ኸም ሓሙት ዚግብኦ ኺፍጽመለይ ኣይደለየን፡ ድማ ትበሎም። [8] ሽዑ
እቶም ዓበይቲ ኸተማኡ ናባታቶም ጸዎዖም ይዛረብዎ። ንሱ ከኣ፡ ክወርሳ ኣይፈቱን እዩ፡ ኢሉ እንተ
ጸንዔ። [9] እታ ሰበይቲ ሓዉ ድማ ኣብ ቅድሚ እቶም ዓበይቲ ናብኡ ቐሪባ፡ ሳእኑ ካብ እግሩ ተውጽእ፡
ናብ ገጹውን ጡፍ ትበሎ፡ ቤት ሓዉ ንዘይሰርሕ ሰብ ከምዚ ይግበሮ፡ ኢላ ድማ ትምለስ። [10] ስሙ ኸኣ
ኣብ እስራኤል፡ ቤት ፍቱሕ ሳእኑ፡ ይበሀል። [11] ክልተ ሰብ ንሓድሕዶም እንተ ተባእሱ፡ ሰበይቲ እቲ ሓደ
ኸኣ፡ ንሰብኣያ ኻብ ኢድ እቲ ዚወቕዖ ኸተድሕኖ፡ ኢዳ ዘርጊሓ ሕፍረቱ እንተ ሐዘት፡ [12] ኢዳ ቑረጻ፡
ዓይንኻ ኣይተናሕስየላ። [13] ኣብ ከረጺትካ በበይኑ ሚዛን፡ ዓብይን ንእሽቶን፡ ኣይሀሉኻ። [14] ኣብ ቤትካ
በበይኑ መስፈሪ፡ ዓብይን ንእሽቶን፡ ኣይሀሉኻ። [15] ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ዕድሜኻ

ምእንቲ ኺነውሕሲ፡ ድልድልን ቅኑዕን ሚዛን ይሀሉኻ፡ ድልድልን ቅኑዕን መስፈሪ ድማ ይሀሉኻ። [16]
እዚ ዚገብር ኵሉን ዓመጻ ዚገብር ኵሉን ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ፍንፉን እዩ። [17] እቲ ኻብ ግብጺ
ምስ ወጻእኩም፡ ኣማሌቅ ኣብ መገዲ ዝገበረካ ዘክሮ። [18] ንስኻ ደኺምካን ተሓሊልካን ከሎኻ፡ ኣብ
መገዲ ተጻኒፉካ ንእግዚኣብሄር ከይፈርሄ ኸኣ፡ ነቶም ዳሕሮትካ፡ ንዅሎም ኣብ ድሕሬኻ ዝነበሩ
ድኹማት ወቕዔ። [19] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ካብቶም ኣብ ዙርያ እታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትወርሳ
ንርስቲ ዚሀበካ ምድሪ ዚነብሩ ዅሎም ጸላእትኻ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምስ ኣዕረፍካ፡ ንዝኽሪ
ኣማሌቅ ካብ ትሕቲ ሰማይ ይምለሶ፡ ኣይትረስዓዮ።

## ምዕራፍ 26

[1] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንርስቲ ዚህበካ ምድሪ ምስ ኣቶኻ፡ ወሪስካያ ኣብኣ
ምስ ተቐመጥካ ድማ፡ [2] ካብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድርኻ፡ ካብ መጀመርታ እቲ እተእትዎ
ኵሉ ፍረ ምድሪ ኣብ ከፈር ጌርካ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንማሕደር ስሙ ዝሐረያ ቦታ ኺድ። [3]
ናብቲ በተን መዓልትታት እቲኤን ዘሎ ኻህን ኣቲካ ኸኣ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ንኣና ኪህበና፡ ነቦታትና
ዝመሐለሎም ምድሪ ኸም ዝኣቶኹ፡ ሎሚ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኤፍልጥ ኣሎኹ፡ ትብሎ። [4] እቲ
ኻህን ድማ ነቲ ኸፈር ካብ ኢድካ ወሲዱ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ የንብሮ። [5]
ንስኻ ድማ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸምዚ ኢልካ ትመልስ፡ ኣቦይ ንምጥፋእ ዝቐረበ ኣረማዊ ነበረ፡
ናብ ግብጺ ከኣ ወረደ፡ ቍጽሩ ሒደት ከሎ ድማ፡ ስደተኛ ኰይኑ ኣብኣ ተቐመጠ፡ ኣብኣ ኸኣ ዓብይን
ሓያልን ብዙሕን ህዝቢ ኰነ። [6] ግብጻውያን ግና ክፉእ ገበሩና፡ ኣጥቅዑና፡ ብርቱዕ ዕዮ ድማ ጸዐኑና። [7]
ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትና ኸኣ ተማህለልና፡ እግዚኣብሄር ድማ ቃልና ሰምዔ። ምጥቃዕናን
ድኻምናን ምጽቃጥናን ከኣ ረአየ። [8] እግዚኣብሄር ድማ ብሓያል ኢድን ብዝርግሕቲ ቕልጽምን ብዓበይቲ
መፍርህን ብትእምርትታትን ብተኣምራትን ካብ ግብጺ ኣውጽኣና። [9] ናብዛ ቦታ እዚኣ ኸኣ ኣእተወና፡ እዛ
ምድሪ እዚኣ ድማ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ ሀበና። [10] ሕጂ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ እንሆ፡
መጀመርታ ፍረ እታ ዝሀብካኒ ምድሪ ኣምጺኤ ኣሎኹ፡ ኢልካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ኣንብሮ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸኣ ስገድ። [11] በቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንኣኻን
ንቤትካን ዝሀበካ ዅሉ ጽቡቕ ነገር፡ ንስኻ፡ እቲ ሌዋውን ኣብ ማእከልካ ዚነብር ስደተኛን ከኣ፡
ክትሕጐስ ኢኻ። [12] በታ ሳልሰይቲ ዓመት፡ ዓመት ዕሽር፡ ዕሽር ኵሉ እቶትካ ኣውጺእካ ምስ ፈጸምካ፡
ኣብ ውሽጢ ደጌታትካ በሊዖም ኪጸግቡስ፡ ንሌዋውን ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ሀቦም። [13]
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ድማ በል፡ ነቲ እተቐደሰ ኻብ ቤተይ ኣውጺኤ፡ ከምቲ ዝኣዘዝካኒ
ዅሉ ትእዛዝካ፡ ንሌዋውን ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ሀብኩ፡ ካብ ትእዛዛትካ ገለ እኳ
ኣየፍረስኩን ኣይረሳዕኩንውን። [14] ኣብ ጓህየይ ካብኡ ኣይበላዕኩን፡ ዘይንጹህ ከሎኹ ኸኣ ካብኡ
ኣየውጻእኩን፡ ንገለ ምዉትውን ካብኡ ኣይሀብኩን፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ሰማዕኩ፡ ብዅሉ ነገር
ድማ ከምቲ ዝኣዘዝካኒ ገበርኩ። [15] ካብቲ ቅዱስ ማሕደርካ፡ ካብ ሰማይ ጠምት እሞ፡ ንህዝብኻ
እስራኤልን፡ ነታ ኸምቲ ነቦታትና ዝመሐልካሎም፡ ንኣና ዝሀብካና ምድርን፡ ጸባን መዓርን እተውሕዝ
ምድሪ፡ ባርኽ። [16] በዛ መዓልቲ እዚኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ነዚ ሕጋጋትን ፍርድታትን ክትገብሮ
ይእዝዘካ ኣሎ እሞ፡ ብዅሉ ልብኻን ብዅሉ ነፍስኻን ሐልዎን ግበሮን። [17] እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽካ
ኪኸውን፡ ንስኻ ድማ ብመገዱ ኽትከይድ፡ ሕጋጋቱን ትእዛዛቱን ፍርድታቱን ክትሕሉ ቓሉውን

ክትሰምዕ፡ ሎሚ ኣፍለጥካ። 18-19 ንስኻ ኸኣ ከምቲ ዝበለካ ብፍላይ ህዝቡ ኽትከውን፡ ኲሉ ትእዛዛቱ
ድማ ክትሕሉ፡ ንውዳሴን ንስምን ንኽብርን ከኣ ልዕሊ ኹሎም ዝፈጠሮም ህዝብታት ልዑል ኪገብረካ።
ከምቲ ንሱ ዝበለካ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ህዝቢ ኽትከውን፡ እግዚኣብሄር ሎሚ ኣፍለጠካ።

## ምዕራፍ 27

1 ሙሴን ዓበይቲ እስራኤልን ድማ ነቲ ህዝቢ ኸምዚ ኢሎም ኣዘዝዎ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ
ኹሉ ትእዛዝ ሐልውዎ። 2 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ናብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ በታ
ንዮርዳኖስ እተሳገሩላ መዓልቲ ዓበይቲ ኣእማን ንኣኻ ኣቚም እሞ፡ ብኖራ ለቕልቆ። 3 ምስ ተሳገርካ ኸኣ፡
ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትካ እተዛረበካ፡ ናብታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ፡ እታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ ምእንቲ ኽትኣቱስ፡ ኣብኡ ናይ እዚ ሕጊ እዚ ኹሉ ቓላት ጽሐፍ።
4 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ዮርዳኖስ ምስ ተሳገርኩም፡ ነዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ኣእማን ኣብ ከረን
ዔባል ኣቚምዎ፡ ብኖራ ኸኣ ለቕልቕዎ። 5 ኣብኡ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ መሰውኢ፡ ብሓጺን
ዘይተንኬኻዮ ኣእማን፡ መሰውኢ ንደቕ። 6 ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ መሰውእስ ብዘይተወቕረ ኣእማን
ንደቆ፡ ኣብኡ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕርግ። 7 መስዋእቲ ምስጋና ሰዊእካ
ኣብኡ ብላዕ እሞ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተሐጐስ። 8 ኲሉ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ድማ
ግሉጽን ጽቡቕን ጌርካ ኣብቲ ኣእማን ጽሐፎ። 9 ሙሴን እቶም ካህናት ሌዋውያንን ከኣ ንኹሉ እስራኤል
ከምዚ ኢሎም ተዛረቡ፡ ዎ እስራኤል፡ ስቕ ኢልካ ስማዕ፡ ሎሚ ህዝቢ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኼንካ
ኢኻ። 10 እምበኣርሲ ቓል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስማዕ፡ እቲ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዛቱን
ሕጋጋቱን ከኣ ግበር። 11 ሙሴ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ነቲ ህዝቢ ኸምዚ ኢሉ ኣዘዞ፡ 12 ዮርዳኖስ ምስ
ተሳገርኩም፡ እዚኣቶም ኣብ ከረን ጌሪዚም ቈይሞም ንህዝቢ ይባርኹ፡ ስምኦንን ሌዊን ይሁዳን ይሳኮርን
ዮሴፍን ብንያምን። 13 እዚኣቶም ድማ ኣብ ከረን ዔባል ቈይሞም ይርገሙ፡ ሮቤል፡ ጋድ፡ ኣሴርን
ዛብሎንን ዳንን ንፍታሌምን። 14 ሌዋውያን ድማ ይምለሱ፡ ንኹሉ ሰብ እስራኤል ከኣ ብዓብዪ ድምጺ
ይበሉ፡ 15 እተወቕረን ዝፈሰሰን፡ እግዚኣብሄር ዝፈንፈኖ፡ በእዳው ብልሓተኛ እተገብረ ምስሊ ዝገበረ፡
ሐቢኡ ኸኣ ዜንብሮ፡ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ኸኣ፡ ኣሜን፡ ኢሉ ይምለስ። 16 ኣቦኡን ኣዲኡን ዚንዕቕ
ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ድማ፡ ኣሜን፡ ይበል። 17 ዶብ ብጻዩ ዜግዕዝ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ኸኣ፡
ኣሜን፡ ይበል። 18 ንዕዉር መገዲ ዜጋግዮ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ድማ፡ ኣሜን፡ ይበል። 19
ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን ፍርዲ ዚጠዊ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ከኣ፡ ኣሜን ይበል። 20 ምስ
ሰበይቲ ኣቦኡ ዚድቅስ፡ ጫፍ ክዳን ኣቦኡ ቐሊዑ እዩ እሞ፡ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ድማ፡ ኣሜን
ይበል። 21 ምስ ዝኾነ እንስሳ ዚድቅስ ርጉም ይኹን። ኲሉ ኸኣ፡ ኣሜን ይበል። 22 ምስ ሓብቱ፡ ጓል ኣቦኡ
ወይ ጓል ኣዲኡ፡ ዚድቅስ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ድማ፡ ኣሜን፡ ይበል። 23 ምስ ሓማቱ ዚድቅስ
ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ኸኣ፡ ኣሜን ይበል። 24 ንብጻዩ ብስዉር ዚቐትል ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ
ድማ፡ ኣሜን፡ ይበል። 25 ነፍሲ እቲ ንጹህ ኪቐትል መማለጃ ዚቕበል ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ከኣ፡
ኣሜን፡ ይበል። 26 ንቓላት እዚ ሕጊ እዚ ኺገብሮ ዘየጽንዖ ርጉም ይኹን። ኲሉ ህዝቢ ድማ፡ ኣሜን፡
ይበል።

## ምዕራፍ 28

1 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣጸቢቕካ እንተ ሰማዕካ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ
ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱ ተጠንቂቕካ እንተ ገበርካዮ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ልዕሊ ኹሎም
ህዝብታት ምድሪ ኸብ ኬብለካ እዩ። 2 ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ሰሚዕካስ፡ እዚ ኹሉ በረኸት
ኪመጸካን ኪረኽበካን እዩ። 3 ንስኻ ኣብ ከተማ ብሩኽ ትኸውን፡ ንስኻ ኣብ መሮር ድማ ብሩክ
ትኸውን። 4 ፍረ ኸርስኻን ፍረ ምድርካን ፍረ ማልካን ምውላድ ላምካን ምፍራይ ኣባጊዕካን ከኣ ብሩክ
ይኸውን። 5 መሶብካን መልወሲካን ብሩኽ ይኸውን። 6 ንስካ ኣብ ምእታውካ ብሩክ ትኸውን። ንስኻ
ኣብ ምውጻእካውን ብሩኽ ትኸውን። 7 ነቶም ዚልዐሉኻ ጸላእትኻ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሜኻ ተሰዐርቲ
ይገብሮም፡ ብሓንቲ መገዲ ይወጹኻ፡ ካብ ቅድሜካ ድማ ብሾብዓተ መገዲ ይሀድሙ። 8 እግዚኣብሄር
ኣብ ቆፎኻን ኣብ ኵሉ ተግባር ኢድካን በረኸት ይእዝዘልካ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ
ምድሪ ድማ ኪባርከካ እዩ። 9 ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ሐሎኻ፡ ብመገዱውን እንተ
ኸድካስ፡ እግዚኣብሄር ከምቲ ዝመሐለልካ ንእኡ እተቐደሰ ህዝቢ ገይሩ ኬቘሙካ እዩ። 10 ኵሎም
ህዝብታት ምድሪ ኸኣ፡ ብስም እግዚኣብሄር ከም እተጸዋዕካ ይርእዩ እሞ፡ ይፈርሁኻ። 11 ኣብታ
እግዚኣብሄር ንኣኻ ኺህበካ፡ ነቦታትካ ዝመሐለሎም ምድሪ ኣብ ፍረ ኸርስኻን ኣብ ፍረ ማልካን ኣብ
ፍረ ምድርካን እግዚኣብሄር ብጽቡቕ ኬብዝሓካ እዩ። 12 ዝናም ምድርኻ ብጊዜኡ ምእንቲ ኺህብ እሞ፡
ኵሉ ተግባር ኢድካ ድማ ኪባርኽ፡ እግዚኣብሄር እቲ ጽቡቕ መዝገቡ፡ ሰማይ፡ ኪኸፍተልካ እዩ።
ንብዙሓት ህዝብታት ከተለቅሕ ኢካ፡ ንስኻ ግና ገለ እኳ ኣይትልቃሕን ኢኻ። 13-14 ነዚ ኣነ ሎሚ
ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽትሕልዎን ክትገብሮን እንተ ሰማዕካዮ፡ ካብዚ ኣነ
ሎሚ ዝእዝዘኩም ዘሎኹ ኹሉ ነገር ንየማን ወይ ንጸጋም እንተ ዘየግለስካ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ
ኽተገልግሎም ደድሕሪኦም እንተ ዘይሰዐብካ ድማ፡ እግዚኣብሄር ርእሲ እምበር፡ ጭራ ኣይገብረካን፡
ብላዕሊ ጥራይ ትኸውን እምበር፡ ብታሕቲ ኣይትኸውንን። 15 ግናኸ ኪኸውን እዩ፡ ቃል እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ እንተ ዘይሰማዕካ፡ እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ንምግባሩ ድማ
እንተ ዘይተጠቀቕካ፡ እዚ ኹሉ መርገም ኪመጸካን ኪረኽበካን እዩ። 16 ንስኻ ኣብ ከተማ ርጉም
ትኸውን፡ ንስኻ ኣብ መሮርውን ርጉም ትኸውን። 17 መሶብካን መልወሲኻን ርጉም ይኸውን። 18 ፍረ
ኸርስኻን ፍረ ምድርኻን ምውላድ ላምካን ምፍራይ ኣባጊዕካን ድማ ርጉም ይኸውን። 19 ንስኻ ኣብ
ምእታውካ ርጉም ትኸውን። ንስኻ ኣብ ምውጻእካውን ርጉም ትኸውን። 20 ንኣይ ሐዲግካ ኽፉእ ስለ
ዝገበርካ፡ ክሳዕ እትጠፍእን ቀልጢፍካ ኽሳዕ እትጸንትን፡ እግዚኣብሄር ኣብ ኵሉ ተግባር ኢድካ
መርገምን ዕግርግርን ተግሳጽን ኪሰደልካ እዩ። 21 ካብታ ኽትወርሳ እትኸዳ ዘሎኻ ምድሪ ኽሳዕ
ዜብርሰካ፡ እግዚኣብሄር ፌራ ኼልግበልካ እዩ። 22 እግዚኣብሄር ብምምሳንን ብዓሶን ብረስንን ብዋዕን
ብሴፍን ብሓርኢ እኽልን ብዋግን ኪወቕዓካ እዩ፡ ክሳዕ እትበርስ ድማ፡ ኪሰጒኻ እዮም። 23 ኣብ ልዕሊ
ርእስኻ ዘሎ ሰማይካ ኣስራዚ ኪኸውን እዩ፡ ኣብ ትሕቴኻ ዘላ ምድሪ ከኣ ሓጺን ክትከውን እያ። 24
እግዚኣብሄር ዝናም ምድርካ ተጐጓን ሓመድን ኪገብሮ እዩ፡ ክሳዕ እትጠፍእ፡ ካብ ሰማይ ኪወርደካ
እዩ። 25 እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ጸላእትኻ ተሰዓሪ ይገብረካ፡ ብሓደ መገዲ ትወጾም፡ ብሾብዓተ መገዲ
ኸኣ ካብ ቅድሚኦም ትሀድም፡ ናብ ኵሎም መንግስትታት ምድሪ ድማ ትዛባዕ። 26 ሬሳታትካ ንኹሎም
ኣዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ብልዒ ኪኸውን እዩ፡ ዚሰጉም ከኣ የልቦን። 27 እግዚኣብሄር ከም
ዘይትፍወስ ገይሩ ብናይ ግብጺ ሕበጥን ብምጒለንጭዋን ብዓበቕን ብመበላይን ገይሩ ኸኣ ኪወቕዓካ
እዩ። 28 እግዚኣብሄር፡ ብጽለላን ብዑረትን ብስምባድ ልብን ኪወቕዓካ እዩ። 29 ዕዉር ብጸልማት ሃሰስ
ከም ዚብል ድማ፡ ብቐትሪ ሃሰስ ክትብል ኢኻ፡ ኣብ መገድታትካውን ኣይቐንዓካን፡ ወርትግ ጥቑዕን

ዝሙትን ትኸውን፡ ዜድሕነካ ኸኣ የልቦን። [30] ሰበይቲ ትሕጽ፡ ግናኸ ካልእ ይድቅሳ፡ ቤት ትሰርሕ፡ ግናኸ
ኣይትነብራን፡ ወይኒ ትተክል፡ ፍረ ግና ኣይትእክበሉን። [31] ብዕራይካ ኣብ ቅድሚ ዓይንኻ ይሕረድ፡
ካብኡ ግና ኣይትበልዕን፡ ኣድግኻ ካብ ቅድሜኻ ይዝረፍ፡ ኣይምለሰካን ከኣ፡ ኣባጊዕካ ንጸላእትኻ
ይወሀባ፡ ዚረድኣካ ኸኣ የልቦን። [32] ኣወዳትካን ኣዋልድካን ንኻልእ ህዝቢ ይወሀቡ፡ ኣዒንትኻ ድማ
ምሉእ መዓልቲ እናርኣያኦም ብሃረርታኦም ቀባሕባሕ ይብላ፡ ኣብ ኢድካ ግና ሓይሊ የልቦን። [33] ፍረ
ምድርኻን ብዘሎ ጻዕርኻን ድማ ዘይትፈልጦ ህዝቢ ኺበልዖ እዩ። ወርትግ ከኣ ጥቑዕን ጽቑጥን
ትኸውን። [34] ኣዒንትኻ ዚርእያኦ ኹሉ ነገር ብምርኣይካ ኽትጽለል ኢኻ፡ [35] እግዚኣብሄር ብሕሱም
ክትሐውየሉ ዘይትኽእል ሕበጥ ኣብ ብርክኻን ኣብ ዳንጋኻን ካብ ከብዲ እግርኻ ኽሳዕ መንበስበስታ
ርእስኻ ኺወቕዓካ እዩ። [36] እግዚኣብሄር ንኣኻን ነቲ ኣብ ልዕሌኻ እተንግሶ ንጉስካን ንስኻን ኣቦታትካን
ናብ ዘይትፈልጥዎ ህዝቢ ኺሰደካ እዩ፡ ኣብኡ ድማ ንኻልኦት ኣማልኽቲ፡ ንዕንጨይትን ንእምንን፡
ከተምልኽ ኢኻ። [37] ኣብቶም እግዚኣብሄር ናባታቶም ዚመርሓካ ኹሎም ህዝብታት እግዚኣብሄር
ናባታቶም ዚመርሓካ ኹሎም ህዝብታት ከኣ መገረምን መመሰልን መድረፍን ትኸውን። [38] ኣብ ግራትካ
ብዙሕ ዘርኢ ተምጽእ፡ ግናኸ ኣንበጣ ኺበልዖ እዩ እሞ፡ ሒደት ትእክብ። [39] ወይኒ ትተክል ትኹስኵሶ
ኸኣ፡ ግናኸ፡ ሓሰኻ ኺበልዖ እዩ እሞ፡ ወይኒ ኣይትሰትየሉን፡ ገለ እኳ ድማ ኣይትእክብን። [40] ኣብ ኵሉ
ሃገርካ ኣውልዕ ይኹነልካ፡ ግናኸ፡ እቲ ኣውልዕካ ኺርግፍ እዩ እሞ፡ ዘይቲ ኣይትልከን፡ [41] ኣወዳትን
ኣዋልድን ትወልድ፡ ግናኸ፡ ተማሪኾም ኪኸዱ እዮም እሞ፡ ንኣኻ ኣይኰኑን። [42] ኵሉ ኣእዋምካን ፍረ
ምድርኻን ኵብኵብታ ኺወርሶ እዩ። [43] ኣብ ማእከልካ ዘሎ ስደተኛ ኣብ ልዕሌኻ ልዕል ልዕል ይብል፡
ንስኻ ግና ንታሕቲ ንታሕቲ ትወርድ። [44] ንሱ ኼለቅሓካ እዩ፡ ንስኻ ግና ኣይተለቅሖን፡ ንሱ ርእሲ
ኪኸውን እዩ፡ ንስኻ ግና ጭራ ትኸውን። [45] እቲ ዝኣዘዘካ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ክትሕሉ ቓል
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስለ ዘይሰማዕካ፡ እዚ ኹሉ መርገም ኪወርደካ፡ ክሳዕ እትጠፍእ ድማ ኪሰጕካን
ኬርክበካን እዩ። [46] ኣባኻን ኣብ ዘርእኻን ንዘለኣለም ንትእምርትን ተኣምራትን ኪኾኑ እዮም። [47] ኵሉ
መሊኡካ ኸሎስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ባህ ኢሉካ ብጽቡቕ ልቢ ስለ ዘየገግልገልካዮ፡ [48] ነቶም
እግዚኣብሄር ዝሰደደልካ ጸላእትኻ ኣብ ጥሜትን ኣብ ጽምኣትን ኣብ ዕርቃንን ኣብ ኵሉ ስእነትን
ክትግዝኦም ኢኻ። ክሳዕ ዜጥፍኣካ ኸኣ፡ ኣርዑት ሓጺን ኣብ ክሳድካ ኼንብረልካ እዩ። [49] ቋንቋኡ
ዘይትሰምዖ ህዝቢ፡ ከም ንስሪ ዚነፍር ህዝቢ፡ እግዚኣብሄር ካብ ርሑቕ፡ ካብ ወሰን ምድሪ፡ ናባኻ
ኼምጽእ እዩ። [50] ጨካን ዝገጹ ህዝቢ፡ ገጽ ኣረጊት ርእዩ ዘይሐፍር፡ ንናእሽቱ ድማ ዘየናሕሲ። [51] ክሳዕ
እትጠፍእ ከኣ፡ ፍረ ኸብትኻን ፍረ ምድርኻን ኪበልዕ እዩ፡ ክሳዕ ዜጥፍኣካ፡ ስርናይ ኾነ፡ ወይኒ ኾነ፡
ዘይቲ ኾነ፡ ምውላድ ላምካ ኾነ፡ ምፍራይ ኣባጊዕካ ኾነ፡ ኣይገድፈልካን እዩ። [52] እቲ ንስኻ እትኣምኖ
ነዋሕትን ጽኑዓትን መናድቕካ ኣብ ኵሉ ሃገርካ ኽሳዕ ዚፈርስ፡ ብኹሉ ደጌታትካ ኪኸበካ እዩ። ኣብ ኵላ
እታ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዚህበካ ምድሪ፡ ኣብ ኵለን ደጌታትካ ኪኸበካ እዩ። [53] በቲ ጸላኢኻ ከቢቡ
ዜጽብበልካ ጸባብ፡ ስጋ እቶም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝሀበካ ኣወዳትካን ኣዋልድካን፡ ፍረ ኸርስኻ
ኽትበልዕ ኢኻ። [54] ኣባኻ እቲ ቕጽይጽይ ዚብልን ብዙሕ ሕንቁቕን ሰብ ንሓዉን ነታ ኣብ ሕቑፉ
እትድቅስ ሰበይቱን ነቶም ዝተረፉ ትርፊ ደቁን ብኽፉእ ዓይኒ ይርእዮም። [55] በቲ ጸላኢኻ ኸቢቡ ኣብ
ኵለን ደጌታትካ ዜጽብበልካ ጸበባ፡ ካልእ ነገር ኣይተርፎን እሞ፡ ካብቲ ዚበልዖ ስጋ ውሉዱ ንሓደ
ኻባታቶም ምእንቲ ኸይህብ፡ [56] ኣባኻ እታ ቕጽይጽይ እትብልን ሕንቅቕትን፡ ብሕንቃቖኣን ቕጽይጽይ
ምባላን ከብዲ እግራ ምድሪ ንምርጋጽ ክትፍትን ዘይደለየት ሰበይቲ ኸኣ ነቲ ኣብ ሕቑፋ ዘሎ ሰብኣያን
ንወዳን ንጓላን ድማ ብኽፉእ ዓይኒ ትርእዮም። [57] በቲ ጸላኢኻ ኸቢቡ ኣብ ደጌታትካ ዜጽብበልካ ጸበባ

ኹሉ ነገር ስኢና እያ እሞ፡ ነቲ ኻብ መንጎ ኣእጋራ ዝወጸ መወዳሕንትን ነቶም ዝወለደቶም ደቃን
ተሐቢኣ ኽትበልዖም እያ። 58 ነዚ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ እተጻሕፈ ኹሉ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ኽትገብሮ
እንተ ዘይተጠንቀቕካ፡ ነዚ ምስጉንን መፍርህን ዝኾነ ስም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ከኣ
እንተዘይፈራህካ፡ 59 እግዚኣብሄር መቕዘፍትኻን መቕዘፍቲ ዘርእኻን ዜገርም፡ ብርቱዕ፡ ዓብዪ እሞ
ዚድንጒ መቕዘፍቲ፡ ሕሱም እሞ ዚድንጒ ሕማም ኪገብር እዩ። 60 ነቲ ዝፈራህካዮ ኹሉ ሕማም ግብጺ
ናብ ልዕሌኻ ኺመልሶ እዩ እሞ ኺለግበካ እዩ። 61 ክሳዕ እትጠፍእ፡ እግዚኣብሄር ኣብ መጽሓፍ እዚ ሕጊ
እዚ ዘይተጻሕፈ ኹሉ ሕማምን ኵሉ መቕዘፍትን ኬምጽኣልካ እዩ። 62 ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስለ
ዘይሰማዕካ፡ ኣብ ክንዲ እቲ ቐደም ምብዛሕኩም ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ዝነበርኩም፡ ብቝጽሪ ሒደት
ክትተርፉ ኢኹም። 63 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ እግዚኣብሄር ከምቲ ቐደም ጽቡቕ ኪገብረልኩም
ኬብዝሓኩምን ብኣኻትኩም ባህ ከም ዝበሎ፡ ከምኡ እግዚኣብሄር ብምጥፋእኩምን ፋሕ ብምባልኩምን
ባህ ኪብሎ እዩ። ካብታ ኽትወርሳ እትኣትዋ ሃገር ክትምንቈሱ ኢኹም። 64 እግዚኣብሄር ድማ ካብ ወሰን
ምድሪ ኽሳዕ ወሰን ምድሪ ናብ ኵሎም ህዝብታት ፋሕ ኬብለካ እዩ፡ ኣብኡ ድማ ንስኻን ኣቦታትካን
ንዘይትፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲ፡ ንዕጨይትን ንእምንን ከተገልግል ኢኻ። 65 ኣብ ማእከል እቶም
ህዝብታት እቲኣም ከኣ ህድኣት ኣይትረክብን፡ ንኸብዲ እግርኻ ድማ ዕረፍቲ የልቦን፡ ኣብኡ ግና
እግዚኣብሄር ዜንቀጥቅጥ ልብን ዝሐመቐት ዓይንን ዝማህመነት ነፍስን ኪህበካ እዩ። 66 ህይወትካ ኣብ
ቅድሜኻ ጠልጠል ትብል፡ ለይትን መዓልትን ከኣ ትፈርህ፡ ብህይወትካ ኣይትእመንን። 67 በቲ እትፈርሆ
ፍርሃት ልብኻን በቲ እትርእዮ ትርኢት ዓይንኻን ብጊሓት፡ ወይ እንተ ዚመሲ ደኣ፡ ክትብል፡ ምሸት
ከኣ፡ ወይ እንተ ዚወግሕ ደኣ፡ ክትብል ኢኻ። 68 በታ፡ ደጊም መሊስካ ኣይትርእያን፡ ዝበልኩኻ መገዲ፡
እግዚኣብሄር ብመራኽብ ገይሩ ናብ ግብጺ ኺመልሰካ እዩ። ኣብኡ ድማ ባሮትን ኣግራድን ክትኮኑ፡
ንርእስኹም ናብቶም ጸላእትኹም ክትሸጡ ኢኹም። ዚዕድግ ከኣ የልቦን።

## ምዕራፍ 29

1 እግዚኣብሄር ብዘይ እቲ ኣብ ሆሬብ ምስ ደቂ እስራኤል ዝኣተዎ ኺዳን ኣብ ምድሪ ሞኣብ ከኣ ንሙሴ
ምሳታቶም ኪኣቱ ዝኣዘዞ ቓላት ኪዳን እዚ እዩ። 2-3 ሙሴ ድማ ንብዘለዉ እስራኤል ጸውዔ በሎም
ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ግብጺ ንፈርኦንን ንኹሎም ገላውኡን ንኹላ ምድሩን ኣብ ቅድሚ
ኣዒንትኹም ዝገበሮ፡ እቲ ኣዒንትኻ ዝረኣያኦ ዓበይቲ ፈተናታት፡ እቲ ትእምርትታትን ዓበይቲ
ተኣምራትን ከኣ ንስኻትኩም ርኢኹም ኢኹም። 4 ግናኸ እግዚኣብሄር ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ልቢ
ንምፍላጥ፡ ኣዒንቲ ንምርኣይ፡ ኣእዛን ከኣ ንምስማዕ ኣይሀበኩምን። 5 ኣርብዓ ዓመት ድማ ኣብ በረኻ
መራሕኩኹም፡ ክዳውንትኹም ኣብ ዝባንኩም ኣይበለየን፡ ሳእኒ ድማ ኣብ ኣእጋርካ ኣይበለየን፡ 6 ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምዃነይ ምእንቲ ኽትፈልጡስ፡ እንጌራ ኣይበላዕኩምን ወይንን ብርቱዕ
መስተን ከኣ ኣይሰቴኹምን። 7 ናብዛ ቦታ እዚኣ ምስ መጻእኩም ከኣ፡ ሲሆን ንጉስ ሔስቦንን ዖግ ንጉስ
ባሳንን ኪዋግኡና ኢሎም ኪቃባበሉና ወጹ፡ ንሕና ድማ ሰዐርናዮም። 8 ሃገሮም ከኣ ሐዝና፡ ንሮቤልን
ንጋድን ንፈረቓ ነገድ ምናሴን ከኣ ርስቲ ሀብናዮም። 9 እምበኣር እትገብርዎ ኹሉ ምእንቲ
ኺሰልጠኩምሲ፡ ቃላት እዚ ኺዳን እዚ ሐልውዎን ግበርዎን። 10-13 ከምቲ ዝበለካን፡ ከምቲ ነቦታትካ፡
ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያቆብን፡ ድማ ዝመሐለሎም፡ ምእንቲ ኣብ ኪዳን እግዚብሄር ኣምላኽካን
ኣብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሎሚ ምሳኻ ዘቚሞ ማሕላኡን ክትኣቱ፡ ሎሚ ንኣኻ ህዝቡ ገይሩ

ኬቕሙካ፡ ንሱ ኸኣ ኣምላኽካ ኪኸውን፡ ሎሚ ኲሉኹም፡ ሓላቓትኩም፡ ነገዳትኩም፡ ዓበይትኹምን
መኳንንትኹምን፡ ኲሎም ሰብኡት እስራኤል፡ ቈልዑኹም፡ ኣንስትኹም፡ ኣብ ማእከል ሰፈርካ ዚነብር
ጓናኻ ድማ፡ ካብ ፈላጽ ዕጨይትኻ ኽሳዕ ቀዳሕ ማይካ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ደው
ኢልኩም ኣሎኹም። [14-15] እዚ ኺዳን እዝን እዚ ማሕላ እዝን ኣነ ምስቶም ሎሚ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣብዚ ምሳና ቘይሞም ዘለዉን ምስቶም ሎሚ ምሳና ኣብዚ ዘየለዉን ድማ
እምበር፡ ምሳኻትኩም ጥራይ ኣይኰንኩን ዘቕሞ ዘሎኹ። [16] ኣብ ምድሪ ግብጺ ኸም ዝነበርናን በቶም
ብማእከሎም ዝሐለፍኩም ህዝብታት ድማ ከም ዝሐለፍናን፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። [17] እቲ
ጽያፎምን እቲ ኣባታቶም ዝነበረ ናይ ዕጨይትን እምንን ብሩርን ወርቅን ጣኦታቶምን ርኤኹም። [18]
እምበኣርሲ ሰብኣይ ኰነ፡ ወይ ሰበይቲ ወይ ዓሌት ወይ ነገድ፡ ሎሚ ልቡ ኻብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና
ዚመልስ እሞ ከይዱ ንኣማልኽቲ እቶም ህዝብታት እቲኣቶም ዜምልኽ ከይህልወኩም፡ ኣባኻትኩም
መርዝን መሪርን ዜብቊል ሱር ከኣ ከይርከበኩም፡ [19] ከይኸውን ድማ፡ ቃላት እዚ መርገም እዚ
ሰሚዑስ፡ ብልቡ ነታ ነፍሱ ኸምዚ ኢሉ ዚባርኻ፡ ኣነስ፡ ብትሪ ልበይ እንተ ኸድኩ፡ ንጽምኣተይ ድማ
ስኽራን እንተ ወሰኽኩሉ፡ ሰላም ይኹነለይ። [20] እግዚኣብሄር ይቕረ ኣይብለሉን፡ ሽዑ ግና ኹራ
እግዚኣብሄርን ቅንኣቱን ደኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰብኣይ እቲ ይትከኽ፡ እቲ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፉ
ዘሎ ኹሉ መርገም ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ይነብር፡ እግዚኣብሄር ከኣ ንስሙ ኻብ ትሕቲ ሰማይ ኪድምስሶ
እዩ። [21] እግዚኣብሄር ድማ፡ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ እዚ ሕጊ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ ኹሉ መርገም ኪዳን፡ ካብ
ኲሎም ነገድ እስራኤል ናብ ክፉእ ኪፈልዮ እዩ። [22] ዳሕራይ ወለዶ፡ ብድሕሬኹም ዚትንስኡ ደቅኹምን
ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ጓናን ከኣ ናይ እዛ ሃገር እዚኣ መዓትን እቲ እግዚኣብሄር ዘምጽኣላ ሕማምን ምስ
ዚርእዩ፡ ኪብሉ እዮም፡ [23] ከምቲ እግዚኣብሄር ኰርዩ ነዲዱን ንሶዶምን ንገሞራን ንኣድማን ንጽቦይምን
ዝገምጠለን ምግምጣል፡ እታ ምድሪ ኹላ ከይትዝራእን ከይተርፍን ገለ ሳዕሪ ኸይተብቊልን፡ ዲንን
ጨውን ንዳድን ኰነት። [24] ኲሎም ህዝብታት ድማ ኪብሉ እዮም፡ ስለምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ነዛ ሃገር
እዚኣ ኸምዚ ዝገበራ ስለምንታይከ እዚ ዓብዩ ኹራኡ ነደደ፧ [25] ይብሉ ኸኣ፡ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ምስ
ኣውጽኦም ምሳታቶም ዝኣተዎ ኺዳን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ስለ ዝሐደጉ፡ [26] ከይዶም ከኣ
ንኻልኦት ኣማልኽቲ ንዘይፈልጥዎምን ንዘይተዋህቡዎምን ኣማልኽቲ ስለ ዘምለኹን ስለ ዝሰገዱሎምን
እዩ። [27] ስለዚ እቲ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ እተጻሕፈ ብዘሎ መርገም ኬምጽኣላ፡ ኲራ እግዚኣብሄር ኣብ
ልዕሊ እዛ ሃገር እዚኣ ነደደ። [28] እወ፡ እግዚኣብሄርሲ ብኹራን ብነድርን ብዓብዩ ቑጥዓን ካብ ሃገሮም
ምሕው ኣቢሉ፡ ከምዚ ሎሚ ኹይንዎ ዘሎ፡ ናብ ካልእ ሃገር ደርበዮም። [29] እቲ ስዉር ነገር ዘበለ ናይ
እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ፡ ኩሉ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ምእንቲ ኽንገብር፡ እቲ ግሉጽ ንዘለኣለም ንኣናን
ንደቅናን እዩ።

## ምዕራፍ 30

[1] ኪኸውን ድማ እዩ፡ እዚ ኹሉ ነገር እዚ ኣብ ቅድሜኻ ዘንበርኩልካ በረኸትን መርገምን ምስ መጸካ፡
ኣብቶም እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ፋሕ ዘበለካ ኹሎም ህዝብታት ኳንካ ኸኣ፡ ናብ ልብኻ ተመሊስካ
እንተ ሐሰብካዮ፡ [2] ከምዚ ሎሚ ኣነ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ፡ ንስኻን ደቅኻን ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ
ነፍስኻን ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ተመለስካ፡ ቃሉ ድማ እንተ ሰማዕካ፡ [3] ሽዑ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ምርኮኻ ይመልስ፡ ይድንግጸልካ ኸኣ፡ ካብቶም ናባታቶም ፋሕ ኣቢሉካ ዝነበረ ኹሎም

ህዝብታት ከኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ መሊሱ ኺእከበካ እዩ። 4 እቶም ስጉጓትካ ኽሳዕ ወሰን ሰማይ እኳ
እንተ በጽሑ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካስ ካብኡ ኺእከበካ፡ ካብኡውን ኬምጽኣካ እዩ። 5 እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ድማ ናብታ ኣቦታትካ ዝወረስዋ ምድሪ ኬእትወካ እዩ፡ ንስኻ ኸኣ ክትወርሳ ኢኻ እሞ፡ ንሱ
ኼጸብቐልካ፡ ካብ ኣቦታትካ ድማ ኬብዝሓካ እዩ። 6 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ
ነፍስኻን ምእንቲ ኽተፍቅሮ እሞ ብህይወት ክትነብርሲ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ልብኻን ልቢ ዘርእኻን
ኪገዝር እዩ። 7 እዚ ኹሉ መርገም እዚ ድማ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ናብ ጸላእትኻን ናብቶም
ዚጸልኡኻን ዚሰጉኻን ኪገብሮ እዩ። 8 ንስኻ ድማ ተመሊስካ ንቓል እግዚኣብሄር ትሰምዖ፡ ነዚ ኣነ ሎሚ
ዝእዝዘካ ዘሎኹ ኹሉ ትእዛዛቱ ኸኣ ትገብሮ። 9-10 ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንተ ሰማዕካ፡ ኣብ
መጽሓፍ እዚ ሕጊ እዚ እተጻሕፈ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ከኣ እንተ ሐሎኻ፡ ናብ እግዚብሄር ኣምላኽካ
ድማ ብኹሉ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን እንተ ተመለስካ፡ እግዚኣብሄር ከምቲ በቦታትካ ተሐጒስዎ
ዝነበረ፡ መሊሱ ንኣኻ ጽቡቕ ምግባር ኪሕጐስ እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ብኹሉ ተግባር ኢድካን ብፍሪ
ኽርስኻን ብፍሪ ማልካን ብፍሪ ምድርኻን ኪመልኣካ እዩ። 11 እዚ ኣነ ሎሚ ዝእዝዘካ ዘሎኹ ትእዛዛት፡
ንኣኻ ኣዝዩ ዚሸግርን ካባካ ዝረሐቐን ኣይኰነን እሞ፡ 12 ናብ ሰማይ ዚድይበልናን ዜምጽኣልናን፡
ክንገብሮ ኸኣ ዜስምዓና መን እዩ ከይትብል፤ ኣብ ሰማይ ኣይኰነን። 13 ባሕሪ ዚስሳገረልናን ዜምጽኣልናን
ክንገብሮ ኸኣ ዜስምዓና እሞ መን እዩ፤ ከይትብል ድማ፡ ኣብ ስግር ባሕሪ ኣይኰነን። 14 እቲ ቓል፡
ምእንቲ ኽትገብሮስ፡ ኣብ ኣፍካን ኣብ ልብኻን ኣዝዩ ቐረባኻ እዩ። 15 ርኤ፡ ሎሚ ህይወትን፡ ሞትን:
ጽቡቕን ክፉእን ኣብ ቅድሜኻ ኣንቢረልካ ኣሎኹ። 16 ብህይወት ምእንቲ ኽትነብርን ክትበዝሕን፡ ኣብታ
ኽትወርሳ እትኣትዋ ዘሎኻ ሃገር፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምእንቲ ኺባርኸካ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ኽተፍቅሮ፡ ብመገዱ ኸኣ ክትከይድ ትእዛዛቱን ሕጋጋቱን ፍርድታቱን ድማ ክትሕሉ፡ ኣነ
ሎሚ እእዝዘካ ኣሎኹ። 17 ግናኸ ልብኻ ንድሕሪት እንተ ተመልሰ እሞ እንተ ዘይሰማዕካ፡ ንኻልኦት
ኣማልኽቲ ኽትሰግድ ከኣ እንተ ተስሐብካን እንተ ኣምለኽካዮምን፡ 18 ብርግጽ ከም እትጠፍኡ፡ ኣነ ሎሚ
እምስክረልኩም ኣሎኹ። ኣብታ ኽትወርሳ ዮርዳኖስ ተሳጊርካ እትኣትዋ ምድሪ መዓልትታትኩም
ኣይተንውሑ። 19 ህይወትን ሞትን፡ በረኸትን መርገምን ኣብ ቅድሜኻ ኣንቢረልካ ኸም ዘሎኹ፡ ኣባኻ
ንምስክር ሎሚ ሰማይን ምድርን ጸዊዔ ኣሎኹ። እምበኣርሲ ንስኻን ዘርእኻን ብህይወት ምእንቲ
ኽትነብር፡ ህይወት ሕረ። 20 ንሱ ህይወትካን ምናሕ ዕድሜኻን እዩ እሞ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ነቦታትካ፡
ንኣብርሃምን ንይስሃቅን፡ ንያእቆብን፡ ኪህቦም ዝመሐለሎም ምድሪ ኽትነብርሲ፡ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ኣፍቅሮ፡ ቃሉ ድማ ስማዕ ናብኡውን ልገብ።

## ምዕራፍ 31

1 ሙሴ ኸይዱ ድማ እዚ ቓላት እዚ ንብዘሎ እስራኤል ተዛረበ፡ 2 በሎም ከኣ፡ ኣነ ሎሚ ወዲ ሚእትን
ዕስራን ዓመት እየ እሞ፡ ደጊም ክወጽእን ክኣቱን ኣይክእልን። እግዚኣብሄር ድማ፡ ነዚ ዮርዳኖስ
ኣይትሳገሮን ኢኻ፡ በለኒ። 3 እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ንሱ ቐቅድሜኻ ኺሳገር እዩ እሞ፡ ንሱ ነዞም
ህዝብታት እዚኣቶም ካብ ቅድሜኻ ኼጥፍኦም እዩ። ንስኻውን ክትወርሶም ኢካ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር
ዝበሎ ኸኣ፡ እያሱ፡ ንሱ ቐቅድሜኻ ኺሳገር እዩ። 4 እግዚኣብሄር ነቶም ንሱ ዘጥፍኦም፡ ንሲሆንን ንኦግን፡
ነገስታት ኣሞራውያን፡ ንምድሮምን ከም ዝገበረ፡ ንኣታቶም ድማ ከምኡ ኺገብሮም እዩ። 5 እግዚኣብሄር
ኣብ ኢድኩም ኣሕሊፉ ኺህበኩም እዩ፡ ከምቲ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ትእዛዝ ከኣ ግበርዎም። 6

እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ ንሱ እዩ ምሳኻ ዚኸይድ እሞ፡ ኣይጠልመካን ኣይሐድገካን እዩ፡ ስለዚ ጽንዑ፡
ትብዑ፡ ኣይትፍርሁ፡ ብኣታቶም ኣይትሸበሩ። 7 ሙሴ ድማ ንእያሱ ጸዊዑ ኣብ ቅድሚ ኵሉ እስራኤል
በሎ፡ ንስኻ ምስ እዚ ህዝቢ እዚ ናብታ እግዚኣብሄር ነቦታቶም ኪህቦም ዝመሐለሎም ምድሪ ኽትኣቱ፡
ንስኻ ድማ ከተረስትዮም ኢኻ እሞ፡ ጽናዕ ትባዕ ከኣ። 8 እቲ ቐቅድሜኻ ዚኸይድ ድማ ንሱ እግዚኣብሄር
እዩ፡ ንሱ ምሳኻ ኪኸውን እዩ፡ ኣይጠልመካን ኣይሐድገካን ከኣ፡ ኣይትፍራህ ኣይትሸበር ድማ። 9 ሙሴ
ድማ እዚ ሕጊ እዚ ጽሒፉ፡ ነቶም ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዚጾሩ ኻህናት፡ ደቂ ሌዊን ንብዘለዉ
ዓበይቲ እስራኤልን ሀቦም። 10 ሙሴ ኸኣ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ ኣብ መወዳእታ ሸሾብዓተ ዓመት፡ በታ
ምድብቲ ጊዜ ዓመት ሕድገት፡ ብበዓል ዳስ፡ 11 ኣብታ ዝሐረያ ቦታ ብዘለዉ እስራኤል ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኺርኣዩ ምስ መጹ፡ ሽዑ ኺሰምዕዎስ ነዚ ሕጊ እዚ ኣብ ቅድሚ ኵሉ እስራኤል
ኣንብቦ። 12-13 ምእንቲ ኺሰምዑን ኪመሀሩን እሞ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኪፈርህዎ፡ ኲሉ ቓላት
እዚ ሕጊ እዚ ድማ ንምግባሩን ኺጥንቀቑ፡ እቶም ዘይፈልጡ ደቆም ድማ ኪሰምዑን ኪመሀሩን፡ ኣብታ
ኽትወርስዋ፡ ናብኣ ንዮርዳኖስ እትሳገሩ ዘሎኹም ምድሪ ብኹሉ ዘበን ህይወትኩም ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ኪፈርህዎ፡ ነቲ ህዝቢ፡ ሰብኡትን ኣንስትን ቈልዑን ኣብ ደጌታትካ ዘሎ ጓናኻን፡ ኣክቦም።
14 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ፡ እትሞተላ መዓልቲ ቐሪባ እንሃ፡ ንእያሱ ናባኻ ጸውዓዮ፡ ኣነ ምእንቲ
ኽእዝዞ ኸኣ፡ ኣብ ድንኳን ምርኻብ ተረኸቡ፡ በሎ። ሙሴን እያሱን ድማ ከይዶም ኣብ ድንኳን ምርኻብ
ተረኸቡ። 15 እግዚኣብሄር ከኣ ኣብቲ ድንኳን ብዓንዲ ደበና ተራእየ። እቲ ዓንዲ ደበና ኸኣ ኣብ ልዕሊ
ኣፍ ድንኳን ቈመ። 16 እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ በሎ፡ እነኻ፡ ምስ ኣቦታትካ ኽትድቅስ ኢኻ፡ እዚ
ህዝቢ እዚ ኸኣ ኪትንስእ እዩ፡ ደድሕሪ እቶም ናይታ ኣብኣ ዚኣትዋ ዘሎ ምድሪ፡ ጓኖት ኣማልኽቲ
ኺምንዝር እዩ፡ ሓዲጉኒ ኸኣ ነቲ ምስኡ ዝኣቶኽዎ ኺዳን ኬፍርሶ እዩ። 17 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ
ቍጥዓይ ኣብኦም ኪነድድ እዩ፡ ክሐድጎም ገጸይውን ክሐብኣሎም እየ፡ ኪውሓጡ ድማ እዮም፡ ብዙሕ
ሕሱም ነገርን ጸበባን ኪረኽቦም እዩ እሞ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ፡ ኣምላኽና ኣብ ማእከልና ስለ ዘየሎዶ
ኣይኰነን እዚ ሕሱም ነገር እዚ ረኺቡና ዘሎ፧ ኪብሉ እዮም። 18 ስለ እቲ ናብ ካልኦት ኣማልኽቲ
ብምምላሶም ዝገበርዎ ኵሉ ኽፉእ ከኣ፡ ኣነ በታ መዓልቲ እቲኣ ገጸይ ፈጺመ ኽሐብእ እየ። 19 ሕጂ ኸኣ
እዚ መዝሙር እዚ ንኣኻትኩም ጽሐፉ፡ እሞ እዚ መዝሙር እዚ ምእንቲ ኣብ ደቂ እስራኤል ምስክር
ኪኾነኒ፡ ንደቂ እስራኤል ምሀሮም፡ ኣብ ኣፎም ድማ ኣንብሮ። 20 ናብታ ነቦታቶም ዝመሐልኩሎም፡
ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ ምስ ኣእቶኹዎም፡ እሞ በሊዖም ምስ ጸገቡን ምስ ሀጠሩን፡ ናብ
ካልኦት ኣማልኽቲ ይምለሱን የምልኽዎምን፡ ንኣይ ግና ይንዕቁኒ ኺዳነይ ድማ የፍርሱ። 21 ኪኸውን
ድማ እዩ፡ ብዙሕ ሕሰም ነገርን ጸበባን ምስ ረኸቡ፡ እዚ መዝሙር እዚ ኻብ ኣፍ ዘርኦም ኣይርሳዕን እዩ
እሞ፡ ኣብ ቅድሚኦም ንምስክር ይመልሰሎም። ናብታ ዝመሐልኩሎም ምድሪ ገና ኸየእቶኽዎም እኳ፡
እቲ ሎሚ ዚሐስብዎ ሓሳቦም እፈልጥ ኣሎኹ። 22 ሙሴ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ እዚ መዝሙር እዚ
ጸሓፈ፡ ንደቂ እስራኤል ከኣ መሀሮም። 23 ንእያሱ ወዲ ነዌ ድማ፡ ንስኻ ኢኻ ንደቂ እስራኤል ናብታ
ዝመሐልኩሎም ምድሪ እተእትዎም እሞ፡ ጽናዕ፡ ትባዕ፡ ኣነውን ምሳኻ ክኸውን እየ፡ ኢሉ ኣዘዞ። 24
ኰነ ድማ፡ ሙሴ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ኣብ መጽሓፍ ጽሒፉ ምስ ወድአ፡ 25 ሙሴ ነቶም ታቦት ኪዳን
እግዚኣብሄር ዚጾሩ ሌዋውያን ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ 26 ነዚ መጽሓፍ እዚ ውሰዱ እሞ ኣብ ጎቦ ታቦት
ኪዳን እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣንብርዎ፡ ኣብኡ ኾይኑ ንምስክር ይኹንካ። 27 ኣነ ዕልወትካን ትሪ
ኽሳድካን እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፡ እንሆ፡ ሎሚ ኣነ ገና ብህይወት ምሳኻትኩም ኣሎኹ እኳ፡
ንእግዚኣብሄር ዝዐሎኹምዎስ፡ ድሕሪ ሞተይ ግዳ ኽንደይ ኣዝዩ ኺገድድ እዩ። 28 ሕጂ ኸኣ ዓበይቲ

ነገዳትኩምን መኳንንትኹምን ኣክቡለይ፡ እዚ ነገር እዚ ድማ ኣብ ኣእዛኖም ክዛረቦም፡ ሰማይን ምድርን
ከኣ ከመስክረሎም እየ። 29 ድሕሪ ሞተይ ብርግጽ ንርእስኹም ከም እተባላሸዉ፡ ካብታ ዝኣዘዝኩኹም
መገዲ ድማ ከም እተግልሱ፡ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ብግብሪ ኣእዳውኩም ከተኹርይዎ፡
ኣብ ቅድሚኡ ኽፉእ ስለ ዝገበርኩም፡ ንዳሕራይ ዘበን ሕሱም ነገር ኪረኽበኩም እዩ። 30 ሙሴ ድማ ኣብ
እዝኒ ኹላ ማሕበር እስራኤል፡ ቃላት እዚ መዝሙር ኽሳዕ ዚውዳእ ነገሮም።

# ምዕራፍ 32

1 ክዛረብ እየ እሞ፣ ሰማያት ጽን በሉ፣ ምድሪ ኸኣ ቃል ኣፈይ ትስማዕ። 2 ትምህርተይ ከም ዝናም
ይኽፈ፣ ዘረባይ ከኣ ከም ዛዕዛዓ ይውረድ። ከም ጥሚቕ ኣብ ልዕሊ ለምለም፣ ከም ብርቱዕ ዝናም ኣብ
ልዕሊ ሳዕሪ። 3 ስም እግዚኣብሄር እነግር ኣሎኹ እሞ፣ ንኣምላኽና ኣዕብይዎ። 4 ኩሉ መገዱ ፍርዲ እዩ
እሞ፣ እቲ ኸውሒ ግብሩ ፍጹም እዩ፣ ዓመጽ ዜብሉ ኣምላኽ እምነት እዩ፣ ንሱ ጻድቕን ቅኑዕን እዩ። 5
ንሳቶም ተባላሸውዎ፣ ደቁ ኣይኰኑን፣ ነውራማት እዮም፣ ሓረመኛን ቈናንን ወለዶ ኢዮም። 6 ኣታ ዓሻን
ዘይለባምን ህዝቢ፣ ንእግዚኣብሄር እዚዶ ትፈድይዎ፧ እቲ ዝፈጠረካ ኣቦኻስ ንሱዶ ኣይኰነን፧ ዝገበረካን
ዘዳለወካን ንሱ እዩ። 7 እተን ጥንታውያን መዓልትታት ዘክር፣ ዓመታት እቶም ውሉድ ወለዶ
ኣስተብህሉ፣ ነቦኻ ጠይቆ፣ ንሱ ኸኣ ኬግህደልካ እዩ፣ ዓበይትኻውን ኪነግሩኻ እዮም። 8 እቲ ልዑል
ንህዝብታት ምስ ኣረስተዮም፣ ንደቂ ኣዳም ምስ ፈላለዮም፣ ከም ቍጽሪ ደቂ እስራኤል ዶባት ህዝብታት
መደበ። 9 ግደ እግዚኣብሄር ህዝቡ እዩ እሞ፣ ያእቆብ ድማ ክፍሊ ርስቱ። 10 ኣብ ድምዊ ባድማ በረኻ፣
ኣራዊት ዜድህዩልይ፣ ኣብ ምድሪ በረኻ ረኸቦ። ከበቦን ተኸናኸኖን፣ ከም መርዓት ዓይኑ ሐለዎ። 11
ንስሪ ጨጨውቱ ኸም ዜንፍር ኣብ ልዕሊኦም ከኣ ከም ዚዝምቢ፣ ኣኽናፉ ዘርጊሑ ወሰዶ፣ ኣብ ከነቲቱ
ኸኣ ጾሮ። 12 እግዚኣብሄር በይኑ መርሖ፣ ምስኡ ጓና ኣምላኽ ኣይነበረን። 13 ኣወጢሑ ብበረኽቲ ምድሪ
ኣሕለፎ፣ እቶት ግራሁ በልዔ፣ ካብ ከውሒ መዓር ኣምጸየ፣ ካብ ተሪር ከውሒ ኸኣ ዘይቲ። 14 ጠስሚ
ላምን ጸባ በጊዕን ምስ ስብሒ ገንሸልን ደዓውል ባሳንን ኣጣልን ምስ ስብሒ ፍቱግ ስርናይ፣ ካብ ደም
ኣስካል ከኣ ወይኒ ሰቴኻ። 15 ይሹሩን ግና ሀጠረ እሞ ተናድሐ፣ ሰባሕካ፣ ረጕድካ፣ ከረሸካ። ሽዑ ነቲ
ዝገበሮ ኣምላኽ ሐደጎ፣ ንኸውሒ ምድሓኑ ነዐቖ። 16 ብጓኖት ኣማልኽቲ ኣቕንእዎ፣ ብጽያፍ ኣናደድዎ። 17
ኣምላኽ ንዘይኰኑ ኣጋንንቲ፣ ንዘይፈልጥዎም ኣማልኽቲ፣ ኣቦታትኩም ንዘይፈርህዎም፣ ሕጂ ቕሩብ
ንዝመጹ ሓደስቲ ኣማልኽቲ ሰውኡ። 18 ዝወለደካ ኸውሒ ሓደግካ፣ ዝፈጠረካ ኣምላኽ ድማ ረሳዕካ። 19
ኣወዳቱን ኣዋልዱን ስለ ዘኹረይዎ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ርእዩ ደርበዮም። 20 በለ ድማ፣ ንሳቶም ሓረመኛ
ወለዶ፣ እምነት ዜብሎም ደቂ እዮም እሞ፣ ገጸይ ክሓብኣሎም እየ፣ መወዳእታኦም እንታይ ምዃኑ
ኽርኢ እየ። 21 ንሳቶም ኣምላኽ ብዘይኰነ ኣቕንኡኒ፣ ብኸንቱነቶም ኣኹረዩኒ። ኣነ ኸኣ ህዝቢ ብዘይኮነ
ከቕንኦም፣ ብዓሻ ህዝቢ ከኹርዮም እየ። 22 ብኹራይ ሓዊ ነዲዱ እዩ እሞ፣ ክሳዕ ታሕታይ ሲኦል
ይነድድ፣ ንምድሪ ምስ ፍሬኣ ይበልዓ፣ መሰረታት ኣኽራን ድማ የሕርር። 23 ክፉእ ኣብ ልዕሊኦም
እእክብ፣ ፍላጻይ እውርውረሎም። 24 ብጥሜት ይምህምኑ፣ ብረስኒ ዓሶን ብመሪር ፌራን ይብልዑ።
ኣስናን ኣራዊት ምስ ሕንዚ ለመምታ ምድሪ ኽሰደሎም እየ። 25 ሴፍ ኣብ ወጻኢ፣ ኣብ ውሽጢ ቤትውን
ፍርሃት፣ ንጐበዝን ንቈንጆን ንዚጠቡ ምስ ሽያብ ኪውድኦም እዩ። 26 ምበልኩ፣ ፋሕ ከብሎም፣
መዘከርታኦም ካብ ማእከል ሰብ ክጥርስ። 27 ግናኽ ምቕንጻብ ጸላኢ ፈራህኩ፣ እቶም ወደረኛታቶም
ተጋግዮም፣ ነዚ ኹሉ እታ ልዕልቲ ኢድና ደኣ እምበር፣ እግዚኣብሄር ኣይኰነን ዝገበሮ፣ ከይብሉ። 28

ምኽሪ ዝጠፍኦም ህዝቢ እዮም እሞ፣ ምስትውዓል ከኣ የብሎምን። 29 ነዚ ኼስተውዕልዎ፣ ነቲ
ዳሕራዮም ድማ ኪሓስቡስ፣ ለባማት ደኣ እንተ ዚኾኑ። 30 እቲ ኸውሖም እንተ ዘይሸጦም፣
እግዚኣብሄር ከኣ ኣሕሊፉ እንተ ዘይህቦምሲ፣ ከመይ ገይሩ ደኣ ሓደስ ንሽሕ ይሰጎም፧ ክልተስ ንዓሰርተ
ሽሕ የህድምዎም፧ 31 እቲ ኸውሖም ከም ከውሕና ኣይኰነን እሞ፣ ጸላእትና ድማ በዚ ፈረዲ እዮም። 32
ወይኖም ካብ ወይኒ ሶዶም፣ ካብ ግራት ጎሞራ ኸኣ እዩ እሞ፣ ዘቢቦም መርዘም ዘቢብ፣ ኣስካሎም ድማ
መሪር እዩ። 33 ወይኖም ሕንዚ ገበል ዝበርትዔ ሕንዚ መንደላይ ተመን ከኣ እዩ። 34 እዚ ኣባይ ተኣርኒቡ፣
ኣብ መዝገበይ ከኣ ተሐቲሙዶ ኣይኰነን፧ 35 መዓልቲ ጥፍኣቶም ቀረባ፣ እቲ እተዳለወሎም ከኣ ቀልጢፉ
ኺመጽእ እዩ እሞ፣ በታ ኣእጋሮም ዚሰናኸለላ ጊዜ፣ ምፍዳይ ሕነን ምኽሓስን ናተይ እዩ። 36 ሓይሎም
ከም እተወድኤ፣ እተዐጽወን እተሐድገን ከም ዜልቦ ድማ ምስ ረአየ፣ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኺብይን እዩ
እሞ፣ ንባሮቱ ኸኣ ኪርሕርሓሎም እዩ። 37-38 ሽዑ ይብል፣ እቶም ኣማልኽቶም፣ እቲ ዚኣመንዎ ኸውሒ፣
እቶም ስብሒ መስዋእቲ ሕሩዶም ዝበልዑ፣ ወይኒ መስዋእቲ መስቴኦም ከኣ ዝሰተዩ ኣበይ ኣለዉ፧
ይተንስኡ እሞ ይርድኡኹም፣ መጸግዒውን ይኹኑኹም። 39 ኣነ፣ ኣነ እየ ንሱ፣ ምሳይ ካልእ ኣምላኽ ከም
ዜልቦ ድማ፣ ሕጂ ርአዩ። ኣነ እቐትል ህያው እገብር፣ ኣነ ኤቑስል ድማ፣ ካብ ኢደይ ዜድሕን ከኣ
የልቦን። 40 ኢደይ ንሰማይ ኤልዕል እሞ’ ኣነ ንዘለኣለም ህያው እየ፣ እብል። 41 ነቲ ዜንበልብል ሴፈይ ምስ
ሰሐልኩ፣ ኢደይውን ፍርዲ ምስ እትሕዝ፣ ንተጻረርተይ ክብቀሎም እየ፣ ንዚጸልኡኒውን ክፈድዮም እየ፣
42 ካብ ደም ቅቱላትን ምሩኻትን ንፍላጻታተይ ብደም ከስክሮ እየ። ሴፈይ ድማ ካብ ርእሲ መራሕቲ
እቲ ጸላኢ፣ ስጋ ኺውሕጥ እዩ። 43 ንደም ባሮቱ ተበቂሉ፣ ንመጻርርቱ ሕነ ኺፈዲ፣ ንምድሩ፣ ንህዝቡ
ኺዕረቕ እዩ እሞ፣ ኣቱም ህዝብታት፣ ምስ ህዝቡ ተሐጐሱ። 44 ሙሴ ድማ፣ ንሱ ምስ እያሱ ወዲ ነዌ፣
መጺኡ ኣብ እዝኒ እቲ ህዝቢ ኹሉ ቓላት እዚ መዝሙር እዚ ተዛረበ። 45 ሙሴ ኸኣ ኲሉ እዚ ነገር እዚ
ንዅሉ እስራኤል ተዛሪቡ ወድኤ፣ 46 በሎም ድማ፣ እዚ ኣነ ሎሚ ዝምስክረልኩም ዘሎኹ ኹሉ ቓላት
ንደቅኹም ተጠንቂቕም ኪገብርዎ ኽትእዝዝዎም፣ ኹሉ ቓላት እዚ ሕጊ እዚ ኣብ ልብኹም ኣንብርዎ።
47 እዚ ነገር እዚ ህይወትኩም እዩ እምበር፣ ከንቱ ነገር ኣይኰነን፣ ኣብታ ንስካትኩም ክትወርስዋ
ንዮርዳኖስ እትሳገርዎ ዘሎኹም ምድሪ ድማ በዚ ነገር እዚ መዓልትታትኩም ተንውሑ። 48 እግዚኣብሄር
ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ንሙሴ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፣ 49 ናብዚ ኣብ መንጽር ያሪኮ፣ ኣብ ምድሪ ሞኣብ
ዘሎ ኸረን ዓባሪም፣ ናብ ከረን ኔቦ፣ ደይብ፣ እሞ ነታ ኣነ ንደቂ እስራኤል ንርስቲ ዝህቦም ምድሪ ኸነኣን
ርኣያ። 50 ከምቲ ኣሮን ሓውካ ኣብ ከረን ሁር ዝሞተ፣ ናብ ህዝቡ ኸኣ እተኣከበ፣ ንስኻ ድማ ኣብቲ
እትድይቦ ኸረን ሙት፣ ናብ ህዝብኻውን ተኣከብ። 51 እዚ ኣብ ማይ መሪባ፣ ኣብ ቃዴስ ኣብ በረኻ ሲን
ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ስለ ዝዓመጽኩምን፣ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ከኣ ስለ ዘይቀደስኩምኒ
እዩ። 52 ነታ ኣነ ንደቂ እስራኤል ዝህቦም ምድሪ ኣማዕዲካ ትርእያ፣ ናብኣ ግና ኣይትኣቱን ኢኻ።

## ምዕራፍ 33

1 ሙሴ፣ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፣ ቅድሚ ሞቱ ንደቂ እስራኤል ዝባረኾም በረኸት እዚ እዩ። 2 በለ ድማ፣
እግዚኣብሄር ካብ ሲና መጸ፣ ካብ ሰዒር ድማ ተላዕለሎም፣ ካብ ከረን ጳራን ኣንጸባረቐ፣ ካብ ኣእላፋት
ቅዱሳን መጸ፣ ካብ የማናዩ ናይ ሕጊ ሓዊ ወጸሎም። 3 እወ፣ ንሱ ንህዝብታት የፍቅሮም፣ ኲሎም ቅዱሳኑ
ኣብ ኢድካ እዮም፣ ኣብ እግርካ ይቕመጡ፣ ካብ ቃላትካ ድማ ይቕበሉ። 4 ሙሴ ኸኣ ሕጊ፣ ርስቲ
ማሕበር ያእቆብ፣ ኣዘዘና። 5 ሓላቒ ህዝቢ፣ ነገዳት እስራኤል ዅሎም ብሓደ ምስ ተኣከቡ፣ ንሱ ኣብ

ይሹሩን ንጉስ ነበረ። [6] ሮቤል ይንበር፣ ኣይሙት፣ ሰቡ ግና ሒደት ይኹኑ። [7] ንይሁዳ ኸኣ እዚ እዩ፣ በለ
ድማ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ቃል ይሁዳ ስማዕ፣ ናብ ህዝቡ ከኣ ኣእትዎ፣ ኣእዳዉ ይጽንዓሉ፣ ካብ ተጻረርቱ
ረዳኢ ኹኖ። [8] ብዛዕባ ሌዊ ድማ በለ፣ ቱሚምካን ኡሪምካን ነቶም ሕያዎት ሰብካ እዮም፣ ነቶም ኣብ
ማሳ ዝፈተንካዮም፣ ነቶም ኣብ ማይ መሪባ እተኸራኸርካዮም፣ [9] ብዛዕባ ኣቦኡን ኣዲኡን፣
ኣይርኤኽዎምን፣ ዝበለ፣ ነሕዋቱ ኣየለለዮምን፣ ንደቁ ኸኣ ኣይፈለጦምን። ቃልካ ሓልዮም እዮም እሞ፣
ኪዳንካ ኣጽንዑ። [10] ንያእቆብ ፍርድታትካ፣ ንእስራኤል ድማ ሕግኻ ኺምህሩ፣ ዕጣን ናብ ኣፍንጫኻ፣
ምሉእ ዚሐርር መስዋእቲውን ኣብ መሰውኢኻ ኬቕርቡ እዮም። [11] ዎ እግዚኣብሄር፣ ሓይሉ ባርኽ ግብሪ
ኢዱ ኸኣ ተቐበል። መሊሶም ከይትንስኡስ፣ ሓቘቝ እቶም ዚጸልእዎ መጻርርቱ ስበር። [12] ብዛዕባ ብንያም
በለ፣ ፍቁር እግዚኣብሄር ምስኡ ብህድኣት ኪነብር እዩ፣ ምሉእ መዓልቲ የጽልሎ፣ ኣብ መንጎ መንኩቡ
ድማ ይሐድር። [13] ብዛዕባ ዮሴፍ ድማ በለ፣ ምድሩ ብእግዚኣብሄር እተባረኸት ትኹን፣ በቲ ኽቡር ናይ
ሰማይ ነገርን ብኣውልን፣ በቲ ኣብ ታሕቲ ንቡር ዘሎ መዓሙቕ፣ [14] በቲ ኽቡር እቶት ጸሓይ፣ በቲ
በዋርሕ ዚበቍል ክቡር ነገር ከኣ። [15] በቲ ናይ ጥንታውያን ኣኽራን ዝሔሸ ነገር፣ በቲ ናይ ዘለኣለም
ኵርባታት ድማ ዝኸበረ ነገር፣ [16] በቲ ናይ ምድሪ ኽቡር ነገርን ምልኣታን፣ በቲ ኣብ ኣኻኹ ቈጥቋጥ
ዝነበረ ሞገስውን፣ እዚ ኣብ ርእሲ ዮሴፍ፣ ኣብ መንበስበስታ እቲ ኻብ ኣሕዋቱ እተፈለየ ይምጻእ። [17]
ግርማ እቲ በዅሪ ኣርሓኡ ናቱ እዩ፣ ኣቕርንቱ ኣቕርንቲ ጎባይ እዩ፣ ብእኡ ገይሩ ንዅሎም ህዝብታት
ክሳዕ ወሰናት ምድሪ ይወግኦም፣ እዚኣቶም ኣእላፉት ኤፍሬምን ኣሽሓት ምናሴን እዮም። [18] ብዛዕባ
ዛብሎን ድማ በለ፣ ኣታ ዛብሎን፣ ብምውጻእካ ባህ ይበልካ። ኣታ ይሳኮርውን ኣብ ድንኳናትካ። [19]
ሃብቲ ባሕርን ኣብ ሑጻ እተሓብኡ መዝገብን ኪጠብዉ እዮም እሞ፣ ንህዝብታት ናብ ከረን ኪጽውዑ፣
ኣብኡ መስዋእቲ ጽድቂ ኬቕርቡ እዮም። [20] ብዛዕባ ጋድ ድማ በለ፣ እቲ ንጋድ ዘግፍሖ ብሩኽ ይኹን።
ከም ኣንስተይቲ ኣንበሳ ይሰፍር፣ ቅልጽምን መንበስበስታን ይሰብር፣ [21] ግደ ሓጋጊ ኣብኡ ተዐቒሩ ነበረ
እሞ፣ እቲ ቐዳማይ ንርእሱ ሐረየ፣ ምስ ሓላቑ ህዝቢ መጸ፣ ምስ እስራኤል ኰይኑ ኸኣ ጽድቂ
እግዚኣብሄርን ፍርዱን ፈጸመ። [22] ብዛዕባ ዳን ድማ በለ፣ ዳን ካብ ባሳን ዚዘልል ሸደን ኣንበሳ እዩ። [23]
ብዛዕባ ንፍታሌምውን በለ፣ ንፍታሌም በረኸት እግዚኣብሄር ዝመልኦ፣ ጽጉብ ጸጋ እዩ፣ ንስኻ
ንምዕራብን ንደቡብን ውረስ። [24] ብዛዕባ ኣሴር ከኣ በለ፣ ኣሴር በወዳት ብሩኽ፣ በሕዋቱውን ፍትዊ
ይኹን። ኣእጋሩ ኸኣ ኣብ ዘይቲ ይጥለቕ። [25] መሸጐሪኻ ሓጺንን ኣስራዝን፣ ሓይልኻ ድማ ከም
መዓልትታትካ ይኹን። [26] ዎ ይሹሩን፣ ነቲ ንረድኤትካ ብልዕልናኡ ኣብ ደበናታትን ኣብ ሰማያትን
እተወጥሔ ኣምላኽ ዚመስሎ የልቦን። [27] እቲ ኣምላኽ ጥንቲ መንበሪኻ እዩ፣ እትን ዘለኣለማውያን
ቀላጽሙ ድማ ኣብ ታሕቲ ኣለዋ፣ ንጸላኢ ኻብ ቅድሜኻ ሰጐጎ፣ ኣጥፍእ፣ ድማ በለ። [28] እስራኤል
ብህድኣት ይነብር፣ እቲ በይኑ ዘሎ ዔላ ያእቆብ ኣብ ምድሪ ስርናይን ወይንን እዩ፣ ሰማዩ ድማ ኣውሊ
የንጠብጥብ። [29] ዎ እስራኤል፣ ብጹእ ኢኻ፣ ብእግዚኣብሄር ዝደሐነ ህዝቢ መን እዩ ኸማካ፣ ዋልታ
ሓገዝካ፣ ንሱ ድማ ሴፍ ሓበንካ እዩ። ጸላእትኻ ኺግዝኡ እዮም፣ ንስካ ድማ ኣብ ልዕሊ በረኽቶም
ክትረግጽ ኢኻ፣

# ምዕራፍ 34

[1] ሙሴ ድማ ካብ ጐልጐል ሞኣብ ናብ ከረን ኔቦ ናብ ርእሲ እቲ ኣብ መንጽር ያሪኮ ዘሎ ጲስጋ ደየበ።
እግዚኣብሄር ከኣ ንብዘላ ሃገር ጊልኣድ ክሳዕ ዳን ኣርኣዮ። [2] ብዘላ ንፍታሌምን ሃገር ኤፍሬምን ምናሴን፣

ብዘላ ምድሪ ይሁዳ ኸኣ ክሳዕ ባሕሪ ምዕራብ፣ [3] እቲ ደቡብ ድማ፣ እቲ ጐልጐል ለሰ ያሪኮ፣ ከተማ
ተምሪ፣ ክሳዕ ጾኣር ኣርኣዮ። [4] እግዚኣብሄር ድማ፣ እታ ንኣብርሃምን ንይስሃቅን ንያእቆብን፣ ንዘርእኻ
ኽህባ እየ ኢለ ዝመሓልኩሎም ምድሪ፣ እዚኣ እያ፣ ብዓይንኻ ኣርኤኹኻ፣ ናብኣ ግና ኣይትሳገርን፣ በሎ።
[5] ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር፣ ኣብ ምድሪ ሞኣብ ኣብኣ ሞተ። [6] ኣብ ምድሪ
ሞኣብ፣ ኣብ መንጽር ቤትጼኦር ኣብ ዘሎ ለሰ ቐበሮ። ክሳዕ ሎም መዓልቲ ከኣ ንመቓብሩ ዚፈልጦ ሰብ
የልቦን። [7] ሙሴ ኺመውት ከሎ፣ ወዲ ሚእትን ዕስራን ዓመት ነበረ፣ ኣዒንቱ ኣይሐመቓን ሓይሉውን
ኣይደኸመን ነበረ። [8] ደቂ እስራኤል ድማ ንሙሴ ኣብ ጐላጉል ሞኣብ ሰላሳ መዓልቲ በኸዩሉ። እተን
ንሙሴ ዝበኸዩለን መዓልታት ሓዘኖም ብእኡ ተወድኣ። [9] ንእያሱ ወዲ ነዌ ድማ፣ ሙሴ ኢዱ ስለ
ዘንበረሉ፣ መንፈስ ጥበብ መልአ። ደቂ እስራኤል ከኣ፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ገይሮም
ተኣዘዝዎ። [10-12] በቲ ኣብ ምድሪ ግብጺ ኣብ ፈርኦን፣ ኣብ ገላዉኡን ኣብ ብዘላ ምድሩን ተእምርትን
ተኣምራትን ኪገብር፣ እግዚኣብሄር ዝለኣኾ። በቲ ኹሉ ናይ ሓያል ኢድን በቲ ሙሴ ኣብ ቅድሚ ኹሎም
እስራኤል ዝገበሮ ኹሉ ዓብዩ መፍርህ ነገርን ከምቲ እግዚኣብሄር ገጽ ንገጽ ዝፈለጦ ኸም ሙሴ ዝበለ
ነብዩ፣ ድሕሪኡ ኣብ እስራኤል ኣይተንስኤን።

# መጽሓፍ ኢያሱ ወልደ ነዌ

## ምዕራፍ 1

1 ኰነ ኸኣ፡ ድሕሪ ሞት ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር ንእያሱ ወዲ ነዌ ኣገልጋሊ ሙሴ፡
ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2 ሙሴ ባርያይ ሞተ፡ ሕጂ ድማ ተንስእ፡ ንስኻን ብዘሎ እዚ ህዝቢ እዝን ናብታ ኣነ
ንኣታቶም፡ ንደቂ እስራኤል፡ ዝህቦም ምድሪ ነዚ ዮርዳኖስ ተሳገሮ። 3 ከምቲ ንሙሴ እተዛረብክዎ፡ ከብዲ
እግርኹም ዝረገጸታ ዘበለት ቦታ ንኣኻትኩም ሂበኩም ኣሎኹ። 4 ዶብኩም ካብ በረኻን ካብዚ ሊባኖስን
ክሳዕ እቲ ዓብዩ ርባ፡ ርባ ኤፍራጥስ፡ ብዘላ ምድሪ ሔታውያንን ክሳዕ እቲ ኣብ ምዕራብ ጸሓይ ዘሎ
ዓብዩ ባሕርን ኪኸውን እዩ። 5 ምሉእ ዕድሜኻ ዚቃወመካ ሰብ የልቦን። ምስ ሙሴ ኸም ዝነበርኩ፡
ምሳኻ ድማ ክኸውን እየ። ኣይሐድገካን ኣይጥንጥነካንውን። 6 እታ ነቦታቶም ክህቦም ዝመሐልኩሎም
ምድሪ፡ ንስኻ ነዚ ህዝቢ እዚ ኸተረስትዮም ኢኻ እሞ፡ ጽናዕ፡ ትባዕ። 7 ከምቲ ሙሴ ባርያይ ዝኣዘዘካ
ኹሉ ሕጊ ንምግባሩ ኽትሕልዎ ጥራይ ደኣ፡ ጽናዕን ኣዚኻ ትባዕን። ናብ እትኸዶ ኹሉ ምእንቲ
ኪቕንዓካስ፡ ካብኡ ንየማን ኰነ ንጸጋም ኣይተግልስ። 8 ነቲ ኣብኡ እተጻሕፈ ምእንቲ ተጠንቀቕካ
ኽትገብሮስ፡ መዓልትን ለይትን ኣስተንትኖ እምበር፡ እዚ መጽሓፍ ሕጊ እዚ ኻብ ኣፍካ ኣይተፍለ። ሽዑ
መገድኻ ተቕንዕ እሞ፡ ሽዑ ድማ ኪሰልጠካ እዩ። 9 ጽናዕ፡ ትባዕ፡ ኢለዶ ኣይኣዘዝኩኻን፧ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ፡ ኣብ እትኸዶ ኹሉ ምሳኻ እዩ እሞ፡ ኣይትፍራህ ኣይትሸበር ከኣ። 10 ሽዑ እያሱ ነቶም
መኳንንቲ ህዝቢ ኸምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ 11 ብማእከል ሰፈር ሕለፉ፡ ነቲ ህዝቢ ድማ፡ ነታ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም፡ ምእንቲ ክትወርስዋ ንርስቲ ዚህበኩም ምድሪ ኽትኣትውዋስ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ነዚ
ዮርዳኖስ እዚ ኽትሳገሩ ኢኹም እሞ፡ ስንቅኹም ኣዳልዉ፡ ኢልኩም ኣዝዙ። 12 እያሱ ድማ ንደቂ
ሮቤልን ንደቂ ጋድን ንፈረቓ ነገድ ምናሴን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ 13 እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር
ከምዚ ኢሉ ዝኣዘዘኩም ቃል ዘክሩ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኬዕርፈኩም እዛ ምድሪ እዚኣ ኸኣ
ኪህበኩም እዩ። 14-15 ኣንስትኹምን ሕጻናትኩምን ከብትኹምን ኣብታ ሙሴ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ
ዝሀበኩም ምድሪ ይንበሩ። ንስኻትኩም ግና እግዚኣብሄር ከምቲ ንኣኻትኩም፡ ነሕዋትኩም ድማ ክሳዕ
ዘዕርፎም፡ ንሳቶም ከኣ እታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዚህቦም ምድሪ ኽሳዕ ዚወርሱ፡ ሓያላት ጅጋኑ
ዘበልኩም ኵላትኩም ኣጽዋር ሒዝኩም፡ ነሕዋትኩም ክትድግፉ ቐቅድሚኦም ሕለፉ። ድሕርቲ ናብታ
ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ብሸነኽ ምብራቕ ጸሓይ ዝሀበኩም ምድሪ ርስትኹም፡
ክትወርስዋ ኽትምለሱ ኢኹም። 16 ንእያሱ ድማ ከምዚ ኢሎም መለሱሉ፡ ዝኣዘዝካና ኹሉ ንገብር፡ ናብ
ዝለኣኽካና ዘበለውን ንኸይድ። 17 ከምቲ ንሙሴ ብኹሉ እተኣዘዝናዮ፡ ንኣኻ ኸኣ ክንእዘዘካ ኢና።
ሓንትስ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ደኣ ከምቲ ምስ ሙሴ ዝነበረ፡ ምሳኻ ድማ ይኹን። 18 ዝኾነ ሰብ
ንቓልካ ዚኣብን ንኹሉ እትእዝዘና ዘረባኻ ዘይሰምዕን ይሙት። ሓንትስ ጽናዕ፡ ትባዕ ደኣ።

## ምዕራፍ 2

1 እያሱ ወዲ ነዌ ድማ ካብ ሽጢም ንኽልተ ሰብ፡ ኬድኩም ነታ ሃገርን ንየሪኮን ርኣዩ፡ ኢሉ ኺሰልዮ
ብሕቡእ ሰደዶም። ንሳቶም ድማ ከይዶም፡ ኣብ ቤት ረሃብ ዝስማ ኣመንዝራ ሰበይቲ ኣተዉ፡ ኣብኣውን

ሐደሩ። [2] ንንጉስ ያሪኮ ኸኣ፡ እንሆ፡ ሰባት ካብ ደቂ እስራኤል ነዛ ሃገር ኪስልይዋ፡ ብለይቲ ናብዚ
ኣትዮም ኣለዉ፡ ኢሎም ነገርዎ። [3] ንጉስ ያሪኮ ድማ፡ እዞም ናባኺ መጺኦም፡ ናብ ቤትኪ ዝኣተዉ ሰባት
ንዅላ ሃገር ኪስልዩ ዝመጹ እዮም እሞ፡ ኣውጽእዮም፡ ኢሉ ናብ ረሃብ ለኣኸ። [4] እታ ሰበይቲ ኸኣ ነቶም
ክልተ ሰብ ወሲዳ ሐብኣቶም፡ በለት ድማ፡ እወ፡ ሰባትሲ ኣትዮምኒ ነይሮም፡ ካበይ ምዃኖም ግና
ኣይፈለጥኩን። [5] ኰነ ኸኣ፡ እቶም ሰባት እቲኦም ደገ እትዕጸወላ ጊዜ ብጸልማት ወጹ፡ ናበይ ከም ዝኸዱ
ኣይፈለጥኩን። ቀልጢፍኩም ደድሕሪኦም ስዐቡ እሞ ክትረኽብዎም ኢኹም። [6] ንሳ ግና ናብ ናሕሲ ቤታ
ኣደይባ፡ ኣብቲ ናሕሲ ተሰጢሑ ብዝነበረ ሓሰር እንጣጢዕ ሐብኣቶም። [7] እቶም ሰባት ከኣ መገዲ
ዮርዳኖስ ክሳዕ እቲ መሳገሪታት ደድሕሪኦም ሰዐቡ። እቶም ደድሕሪኦም ዚስዕቡ ምስ ወጹ ኸኣ፡ እቲ ደገ
ተሸጕረ። [8] ንሳቶም ገና ኽይደቀሱ፡ እታ ሰበይቲ ናብኦም ናብ ናሕሲ ደየበት። [9] ነቶም ሰባት ከኣ በለቶም፡
እግዚኣብሄር እዛ ሃገር እዚኣ ኸም ዝሃበኩም ፍርሃትኩም ድማ ኣብ ልዕሌና ኸም ዝወደቐ፡ ዅሎም
ኣብዛ ሃገር ዚነብሩ ኸኣ ኣብ ቅድሜኹም ከም ዝመከኹ ፈለጥኩ። [10] እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኽትወጹ
ኸሎኹም፡ እግዚኣብሄር ንባሕሪ ኤርትራ ኣብ ቅድሜኹም ከምዘንቀጾ፡ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ኣብ ዝነበሩ
ኽልቲኦም ነገስታት ኣሞራውያን ከኣ ዝገበርኩምዎ፡ ንሲሆንን ንዖግን ከም ዘጥፋእኩምዎም፡ ሰሚዕና
ኢና እሞ፡ [11] እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ንሱ ኣብ ሰማይ ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ምድሪ ኸኣ ኣብ ታሕቲ
ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ምስ ሰማዕናዮ፡ ልብና መኸከ፡ ኣብ ቅድሜኹም ድማ ትንፋስ ኣብ ሰብ ኣይቴመትን።
[12-13] ሕጂ ኸኣ በጃኹም፡ ኣነ ምሕረት ካብ ገበርኩልኩም፡ ንስኻትኩም ድማ ንቤት ኣቦይ ምሕረት
ክትገብሩላ፡ ነቦይን ነደይን ነሕዋተይን ንኣሓተይን፡ ዘለዎም ኵሉ ድማ ብህይወቶም ክትሐድግዎም፡
ነፍሳትናውን ካብ ሞት ከተድሕኑ፡ ብእግዚኣብሄር ምሐሉለይ፡ ርግጽ ምልክት ከኣ ሀቡኒ። [14] እቶም
ሰባት ከኣ፡ እንገብሮ ዘሎና እንተ ዘይገለጽኩም፡ ኣብ ክንዳኹም ነፍስና ንሞት ነሕልፍ። ኪኸውን ድማ
እዩ፡ እግዚኣብሄር እዛ ምድሪ እዚኣ ምስ ሀበና፡ ምሕረትን እምነትን ንገብረልኪ፡ በልዋ። [15] ቤታ ኣብ
ልዕሊ መንደቕ መካበብያ ነበረት፡ ንሳ ድማ ኣብ ልዕሊ መካበብያ ትነብር ነበረት እሞ፡ ገመድ ገይራ
ብመስኰት ኣውረደቶም። [16] እቶም ደለይቲ ኸይረኽቡኹምሲ፡ ንኸረን ኣቢልኩም ኪዱ፡ እቶም ደለይቲ
ኽሳዕ ዚምለሱ ኸኣ ኣብኡ ሰለስተ መዓልቲ ተሐብኡ፡ ድሓር ድማ መገድኹም ኪዱ፡ በለቶም። [17]
እቶም ሰባት ከኣ በልዋ፡ ንሕና ኻብዚ ዘምሐልክና ማሕላ ንነጽህ፡ [18] እንሆ፡ ንሕና ናብዛ ሃገር ክንኣቱ
ከሎና፡ ነዚ ቐይሕ ገመድ እዚ ኣብቲ ብእኡ ዘውረድክና መስኰት ኣንጠልጥልዮ። ነቦኽን ነዴኽን
ነሕዋትክን ንዅሉ ቤት ኣቦኺውን ናባኺ ኣብ ቤት ኣክብዮም። [19] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ካብ ማዕጾ ቤትኪ
ንግዳም ዝወጸ ዘበለ፡ ደሙ ኣብ ርእሱ እዩ፡ ንሕና ግና ንጹሃት ኢና። ንዝኾነ ኻብቶም ምሳኺ ኣብ ቤት
ዘለዉ ኢድ እንተ ተንከዮ ኸኣ፡ ደሙ ኣብ ርእስና ይኹን። [20] ተግባርና እንተ ገለጽኪ ድማ፡ ካብዚ
ዘምሐልክና ማሕላ ንጹሃት ኢና። [21] ንሳ ኸኣ፡ ከምቲ ዝበልኩምዎ ይኹን፡ ኢላ ሰደደቶም። ንሳቶምውን
ከዱ። ነቲ ቐይሕ ገመድ ድማ ኣብቲ መስኰት ኣሰረቶ። [22] ንሳቶም ከኣ ከዱ እሞ ናብቲ ኸረን በጽሑ፡
እቶም ደለይቲ ኽሳዕ ዚምለሱ ኸኣ፡ ኣብኡ ሰለስተ መዓልቲ ገበሩ። እቶም ደለይቲ ድማ ኣብ ኵሉ መገዲ
ደለይዎም፡ ኣይረኸብዎምን ከኣ። [23] እቶም ክልተ ሰባት ድማ ተመሊሶም፡ ካብቲ ኸረን ወረዱ፡
ተሳጊሮም ከኣ ናብ እያሱ ወዲ ነዌ መጹ። ዝረኸቦም ዘበለ ዅሉ ኸኣ ኣዛረብዎ። [24] ንእያሱ ድማ፡
እግዚኣብሄር ንብሃገራ ኣብ ኢድና ሂቡና እዩ እሞ፡ እቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዅሎም ኣብ ቅድሜና
መኸኹ፡ በልዎ።

## ምዕራፍ 3

1 ንጽብሒቱ ኸኣ እያሱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ንሱን ኵሎም ደቂ እስራኤልን ካብ ሽጢም ነቒሉ፡ ናብ
ዮርዳኖስ ድማ መጹ፡ ገና ኸይተሳገሩ ኸኣ ኣብኡ ሐደሩ። 2 ኰነ ኸኣ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ እቶም
መኳንንቲ ብማእከል ሰፈር ሐለፉ፡ 3-4 ነቶም ህዝቢ ድማ ከምዚ ኢሎም ኣዘዝዎም፡ እዛ መገዲ እዚኣ
ቕድሚ እዚ ኣይሐለፍኩምዋን ኢኹም እሞ፡ እታ እትኸድዋ መገዲ ምእንቲ ኽትፈልጥዋ፡ እቶም ካህናት
ሌዋውያን ነቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ጾይሮምዎ ምስ ርኤኹም፡ ንስኻትኩም ድማ ካብ
ሰፈርኩም ነቒልኩም ስዐብዎ፡ ኣብ መንጎኹምን ኣብ መንጎኡን ግና ክልተ ሽሕ እመት ስፍሪ ዚኣክል
ዝምርሓቑ ይኹን እምበር፡ ኣይትቕረብዎ። 5 እያሱ ነቶም ህዝቢ፡ እግዚኣብሄር ጽባሕ ኣብ ማእከልኩም
ዜገርም ነገር ኪገብር እዩ እሞ፡ ተቐደሱ፡ በሎም። 6 እያሱ ኸኣ ነቶም ካህናት፡ ታቦት ኪዳን ተሰኪምኩም
ቀቅድሚ ህዝቢ ሕለፉ፡ ኢሉ ተዛረቦም። ሽዑ ታቦት ኪዳን ተሰኪሞም ቀቅድሚ ህዝቢ ኸዱ። 7
እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ በሎ፡ ከምቲ ምስ ሙሴ ዝነበርኩ ምሳኻውን ከም ዘሎኹ ምእንቲ
ኺፈልጡስ፡ ሎሚ ኣብ ቅድሚ ኹሉ እስራኤል ከዕብየካ ኽጅምር እየ። 8 ነቶም ታቦት ኪዳን ዚጾሩ
ኻህናት ከኣ ንስኻ፡ ናብቲ ገምገም ማይ ዮርዳኖስ ምስ መጻእኩም ኣብ ዮርዳኖስ ደው በሉ፡ ኢልካ
ኣዝዞም። 9 እያሱ ኸኣ ንደቂ እስራኤል፡ ናብዚ ቕረቡ እሞ፡ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ስምዑ፡
በሎም። 10 እያሱ ድማ በለ፡ ህያው ኣምላኽ ኣብ ማእከልኩም ከም ዘሎ፡ ንሱ ኸኣ ንኸነኣናውያንን
ንሔታውያንን ንሃዋውያንን ንፈሬዛውያንን ንጌርጌሳውያንን ንኣሞራውያንን ንይቡሳውያንን ካብ
ቅድሜኹም ፈጺሙ ኸም ዚሰጎም በዚ ኽትፈልጡ ኢኹም፡ 11 እንሆ፡ እቲ ናይ ጐይታ ኵላ ምድሪ
ታቦት ኪዳን ቀቅድሜኹም ናብ ዮርዳኖስ ይሐልፍ። 12 ሕጂ ድማ ካብ ነገዳት እስራኤል ዓሰርተው ክልተ
ሰብኣይ፡ ከካብ ነገድ ሓደ ሰብኣይ፡ ንኣኻትኩም ውሰዱ። 13 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቶም ታቦት
እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ኵላ ምድሪ፡ ዚጾሩ ኻህናት ከብዲ ኣእጋሮም ኣብ ማይ ዮርዳኖስ ደው ምስ በላ፡
ሽዑ እቲ ማይ ዮርዳኖስ፡ እቲ ኻብ ላዕሊ ዚወርድ ማይ የቋርጽ፡ ሓደ ኺምራ ኾይኑ ደው ይብል። 14
ኰነ ድማ፡ እቶም ህዝቢ ንዮርዳኖስ ኪሳገሩ ኻብ ድንኳውንቶም ምስ ወጹ፡ እቶም ካህናት ቀቅድሚ
ህዝቢ ታቦት ኪዳን ይጾሩ ነበሩ፡ 15 እቶም ታቦት ዝጾሩ ናብ ዮርዳኖስ ምስ በጽሑ፡ ኣእጋር እቶም ታቦት
ኪዳን ዝጾሩ ካህናት ገምገም ማይ ዮርዳኖስ ምስ ጠምዓ ብኹሉ እቲ ጊዜ ዓጺድ ዮርዳኖስ ኣፍ ንኣፍ
መሊኡ ነበረ 16 እቲ ኻብ ላዕሊ ዚወርድ ዝነበረ ማይ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ደው በለ እሞ ኣብታ ኣብ ጥቓ
ጻርታን ዘላ፡ ኣዳም እትብሀል ከተማ ሓደ ኹምራ ኾይኑ ቘመ። እቲ ናብ ባሕሪ ጐልጓል፡ ናብ ባሕሪ
ጨው ኣቢሉ ዚወርድ ማይ ከኣ ፈጺሙ ኣቋረጸ። እቲ ህዝቢ ድማ ኣብ መንጽር ያሪኮ ተሳገረ። 17 እቶም
ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዚጾሩ ኻህናት ከኣ ኣብቲ ማእከል ዮርዳኖስ፡ ኣብቲ ንቑጽ ቀጥ ኢሎም ደው
ኢሎም ነበሩ። ብዘሎ እቲ ህዝቢ ፈጺሙ ንዮርዳኖስ ክሳዕ ዚሳገር፡ ኵሉ እስራኤል በቲ ንቑጽ ሓለፈ።

## ምዕራፍ 4

1 ኰነ ኸኣ፡ ብዘሎ እቲ ህዝቢ ንዮርዳኖስ ፈጺሙ ምስ ተሳገረ፡ እግዚኣብሄር ንእያሱ ኸምዚ ኢሉ
ተዛረቦ፡ 2 ካብ ህዝቢ ዓሰርተው ክልተ ሰብኣይ፡ ከካብ ነገድ ሓደ ሰብኣይ ንኣኻትኩም ውሰዱ፡ 3 ካብዚ
ኻብ ማእከል ዮርዳኖስ፡ ካብታ ኣእጋር ካህናት ቀጥ ኢለን ዝቘማላ ቦታ፡ ንኣኻትኩም ዓሰርተው ክልተ
እምኒ ኣልዒልኩም ምሳኻትኩም ናብ ማዕዶ ተማልእዎ። ኣብቲ በዛ ለይቲ እዚኣ እትሓድሩሉ መሕደሪ
ኣንብርዎ፡ ኢልኩም ከኣ ኣዝዝዎም። 4 ሽዑ እያሱ ነቶም ካብ ደቂ እስራኤል፡ ከካብ ነገድ ሓደ ሰብኣይ፡
ዓሰርተው ክልተ ሰብኣይ ኣዳልዩዎም ዝነበረ ጸውዖም። 5 እያሱ ድማ በሎም፡ ቀቅድሚ ታቦት

እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ናብ ማእከል ዮርዳኖስ ሕለፉ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ፡ ብቝጽሪ ነገድ ደቂ
እስራኤል፡ ሓሓንቲ እምኒ ኣብ መመንኩብኩምን ኣልዕሉ። 6 እዚ ኣብ ማእከልኩም ንምልክት ኪኸውን
እዩ፡ ደቕኹም ብዚመጽእ ጊዜ፡ እዚ ኣእማን እዚ ንምንታይ እዩ፧ ኢሎም ምስ ዚጥይቑኹም፡ 7 ሽዑ
ንስኻትኩም፡ ማይ ዮርዳኖስ ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር ስለ ዘቋረጸ፡ ብዮርዳኖስ ክሳገር ከሎ እቲ
ማይ ዮርዳኖስ ኣቋረጸ፡ እሞ እዚ ኣእማን እዚ ንደቂ እስራኤል ንዘለኣለም ንመዘከርታ እዩ፡ ትብልዎም። 8
ደቂ እስራኤል ከኣ ከምቲ እያሱ ዝኣዘዞም ከምኡ ገበሩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንእያሱ ዝበሎ ድማ፡
ብቝጽሪ ነገዳት ደቂ እስራኤል ካብ ማእከል ዮርዳኖስ ዓሰርተው ክልተ እምኒ ኣልዐሉ፡ ናብቲ
ዝሓድሩሉ ድማ ምስኦም ተማልእዎ፡ ኣብኡ ኸኣ ኣንበርዎ። 9 እያሱ ድማ ኣብ ማእከል ዮርዳኖስ፡ ኣብታ
ኣእጋር እቶም ታቦት ኪዳን ዝጾሩ ኻህናት ዝቘማላ ቦታ ዓሰርተው ክልተ እምኒ ኣቘመ። ክሳዕ ሎሚ ኸኣ
ኣብኡ ኣሎ። 10 እቲ እግዚኣብሄር ንእያሱ ንህዝቢ ኺነግር ዝኣዘዞ ዅሉ ነገር፡ ከምቲ ሙሴ ንእያሱ ዝኣዘዞ
ዅሉ ኽሳዕ ዚፍጸም፡ እቶም ታቦት ዝጾሩ ኻህናት ኣብ ማእከል ዮርዳኖስ ደው በሉ። እቶም ህዝቢ ኸኣ
ቀልጢፎም ተሳገሩ። 11 ኰነ ድማ፡ ኵሉ እቲ ህዝቢ ጠሪሱ ምስ ተሳገረ፡ እቲ ታቦት እግዚኣብሄር ከኣ
ምስቶም ካህናት ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ተሳገረ። 12 ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ፈረቓ ነገድ ምናሴን ድማ፡
ከምቲ ሙሴ ዝበሎም፡ ኣጽዋር ሒዞም ቀቅድሚ ደቂ እስራኤል ተሳገሩ። 13 ኣስታት ኣርብዓ ሽሕ ኣጽዋር
ሒዞም ንውግእ ተዳልዮም፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ጐልጐል ያሪኮ ኺዋግኡ ተሳገሩ፡ 14 በታ
መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር ንእያሱ ኣብ ቅድሚ ዅሉ እስራኤል ኣዕበዮ። ከምቲ ንሙሴ ብዅሉ
መዓልትታት ህይወቱ ዚፈርህዎ ዝነበሩ፡ ንእኡ ኸኣ ፈርህዎ። 15-16 እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ፡ ነቶም
ታቦት ምስክር ዚጾሩ ኻህናት ካብ ዮርዳኖስ ኪድይቡ ኣዝዞም፡ ኢሉ ተዛረቦ። 17 እያሱ ድማ ነቶም
ኻህናት፡ ካብ ዮርዳኖስ ደይቡ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 18 ኰነ ኸኣ፡ እቶም ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዝጾሩ
ኻህናት ካብ ማእከል ዮርዳኖስ ደይቦም፡ ከብዲ ኣእጋሮም ናብቲ ንቑጽ ምስ ረገጸ፡ ማይ ዮርዳኖስ ናብ
ስፍራኡ ተመሊሱ፡ ከም ቀደሙ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ገምገሙ ወሐዘ። 19 እቶም ህዝቢ ድማ ካብታ
ቐዳመይቲ ወርሒ ብዓስረይቲ መዓልቲ ኻብ ዮርዳኖስ ደየቡ፡ ብወሰን ምብራቓ ንያሪኮ፡ ኣብ ጊልጋል
ከኣ ሰፈሩ። 20 እያሱ ድማ ነቲ ኻብ ዮርዳኖስ ዝወሰድዎ ዓሰርተው ክልተ እምኒ፡ ኣብ ጊልጋል ኣቘሞ። 21-
24 ንደቂ እስራኤል ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ደቅኹም ጽባሕ፡ እዚ ኣእማን እዚ እንታይ እዩ፧ ኢሎም
ነቦታቶም እንተ ጠየቑ፡ እስራኤል ነዚ ዮርዳኖስ እዚ ብንቑጽ ተሳገሮ። እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ከምቲ
ንባሕሪ ኤርትራ ዝገበሮ፡ ክሳዕ እንሳገር ዘንቀጾ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ክሳዕ እትሳገሩ ንማይ
ዮርዳኖስ ኣብ ቅድሜኹም ኣንቀጾ። ኵሎም ህዝብታት ምድሪ ኢድ እግዚኣብሄር ሓያል ምዃና ምእንቲ
ኺፈልጡ፡ ንስኻትኩምውን ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ወርትግ ምእንቲ ክትፈርህዎ እዩ፡ ኢልኩም
ንደቅኹም ኣፍልጥዎም።

## ምዕራፍ 5

1 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ብወገን ምዕራብ ዝነበሩ ዅሎም ነገስታት ኣሞራውያንን እቶም ኣብ
ጥቓ ባሕሪ ዝነበሩ ነገስታት ከነኣናውያንን፡ እግዚኣብሄር፡ ነቲ ማይ ዮርዳኖስ ክሳዕ እንሳገሮ፡ ኣብ ቅድሚ
ደቂ እስራኤል ከም ዘንቀጾ ምስ ሰምዑ፡ ልቦም መኸኸ፡ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ድማ ትንፋስ
ኣይተረፈቶምን። 2 በታ ጊዜ እቲኣ እግዚኣብሄር ንእያሱ፡ በሊሕ ጽልጽለ ጌርካ፡ ከም ብሓድሽ ንደቂ
እስራኤል ካልኣይ ሳዕ ግዘሮም፡ በሎ። 3 እያሱ ድማ በሊሕ ጽልጽለ ኣንጺሉ፡ ንደቂ እስራኤል ኣብ ኵርባ

ዓራሎት ገዘሮም። [4] እቲ እያሱ ዝገዘሮም ምኽንያቱ እዚ እዩ፡ እቲ ኻብ ግብጺ ዝወጸ ህዝቢ፡ ተባዕትዮ
ዘበሉ ኹሎም ተዋጋእቲ ኻብ ግብጺ ወጺኦምሲ፡ ኣብ በረኻ ኣብ መገዲ ሞቱ። [5] እቶም ዝወጹ ህዝብስ
ኵሎም ግዙራት ነይሮም፡ እቶም ካብ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ኣብ በረኻ ኣብ መገዲ እተወልዱ ኹሎም ህዝቢ
ግና ኣይተገዝሩን ነበሩ። [6] ደቂ እስራኤል፡ ኵሉ እቲ ህዝቢ፡ እቶም ካብ ግብጺ ዝወጹ ተዋጋእቲ ሰብኡት፡
ንቓል እግዚኣብሄር ስለ ዘይሰምዕዎ፡ ክሳዕ ዚወድኡ፡ ኣርብዓ ዓመት ኣብ በረኻ ተጓዕዙ። እግዚኣብሄር
ድማ እታ ንኣና ኺህበና ነቦታቶም ዝመሐለሎም ምድሪ፡ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ምድሪ፡ ከየርእዮም
መሐለ። [7] ነቶም ኣብ ክንዳኦም ዘተንስኦም ደቆም ከኣ፡ ኣብ መገዲ ስለ ዘይተገዝሩ፡ ዕልቦታት ነበሩ እሞ፡
እያሱ ገዘሮም። [8] ኰነ ኸኣ፡ ንብዘሎ ህዝቢ ገዚሮም ምስ ፈጸሙ፡ ክሳዕ ዚሐውዩ፡ ኣብቲ ሰፈሮምዎ
ዝነበሩ ሰፈር ተቐመጡ። [9] እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ፡ ሎሚ ነቲ ናይ ግብጺ ነውሪ ኻባካትኩም
ኣንካራሮኽዎ፡ በሎ። ስም እታ ቦታ ኸኣ ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ጊልጋል ይብሀል ኣሎ። [10] ደቂ
እስራኤል ድማ ኣብ ጊልጋል ሰፈሩ፡ ካብታ ወርሒ ኸኣ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ኣጋ
ምሸት ኣብ ጐልጐል ያሪኮ ፋስጋ ገበሩ። [11] ጽባሕ ፋስጋ ድማ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ፡ ካብ እኽሊ እታ
ምድሪ፡ ቅጫን ቆሎ ስርናይን በልዑ። [12] እኽሊ እታ ምድሪ ምስ በልዑ፡ ንጽብሒቱ እቲ ማና ኣቋረጸ፡
ደቂ እስራኤል በታ ዓመት እቲኣ ኻብ እቶት ምድሪ ኸነኣን በልዑ እምበር፡ ድሕሪኡስ ማና
ኣይነበሮምን። [13] ኰነ ኸኣ፡ እያሱ ኣብ ጥቓ ያሪኮ ኸሎ፡ ኣዒንቱ ቛሕ ኣቢሉ ረአየ፡ እንሆ ድማ፡
እተመልሔ ሴፍ ኣብ ኢዱ ዘለዎ ሰብኣይ ኣብ መንጽሩ ደው ኢሉ ነበረ። እያሱ ኸኣ ናብኡ ኸይዱ፡ ንስኻ
ናትናዶ ወይ ናይ ጸላእትና ኢኻ፧ በሎ። [14] ንሱ ድማ፡ ኣይፋለይ፡ ኣነስ ሓለቓ ሰራዊት እግዚኣብሄር ኰይነ
ደኣ፡ ሕጂ መጺኤ ኣሎኹ፡ በለ። እያሱ ኸኣ ብገጹ ኣብ ምድሪ ተደፊኡ ሰጊዱ፡ ጐይታይ ንባርያኡ ዚብሎ
እንታይ እዩ፧ በለ። [15] እቲ ሓለቓ ሰራዊት እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ፡ እዛ ደው ኢልካያ ዘሎኻ ቦታ
ቅድስቲ እያ እሞ፡ ኣሳእንካ ኻብ ኣእጋርካ ኣውጽእ፡ በሎ። እያሱ ከኣ ከምኡ ገበረ።

## ምዕራፍ 6

[1] ያሪኮ ድማ ብምኽንያት ደቂ እስራኤል ተዐጽያን ተሸጕራን ነበረት። ዚወጽእ ኰነ፡ ዚኣቱ ኹነ
ኣይነበረን። [2] እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ በሎ፡ ርኤ፡ ያሪኮን ንጉሳን እቶም ሓያላት ጀጋኑኣን ኣብ ኢድካ
ሂበካ ኣሎኹ። [3] ኵልኹም ተዋጋእቲ ሰባት ነታ ኸተማ ኺቢብኩም ሓንሳእ ዙርዋ። ሹድሽተ መዓልቲ
ከምኡ ግበሩ። [4] ሾብዓተ ኻህናት ከኣ ቀቅድሚ ታቦት ኰይኖም ሾብዓተ መለኸት እልልታ ይውሰዱ።
በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ድማ ነታ ኸተማ ሾብዓተ ሳዕ ዙርዋ፡ እቶም ካህናት ድማ መለኸት ይንፍሑ። [5]
ኺከውን ድማ እዩ፡ እቲ መለኸት እልልታ ኣንዊሖም ምስ ነፍሑ፡ እቲ ደሃይ መለኸት ድማ ምስ
ሰማዕኩም፡ ኵሉ ህዝቢ ዓው ኢሉ ይጨድር። መካበብያ እታ ኸተማ ከኣ ናብ ትሕቲኡ ኣቢሉ ኺወድቕ
እዩ። እቲ ህዝቢ ድማ ነፍሲ ወከፍ በብቕድሚኡ ኺድይብ እዩ። [6] ሽዑ እያሱ ወዲ ነዌ ነቶም ካህናት
ጸዊዑ፡ ታቦት ኪዳን ውሰዱ፡ ሾብዓተ ኻህናት ከኣ ቀቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር ሾብዓተ መለኸት
እልልታ ይውሰዱ፡ በሎም። [7] ነቶም ህዝቢ ድም፡ ሕለፉ እሞ ነታ ኸተማ ዙርዋ፡ ሰልፈኛ ዘበለ ኸኣ
ቀቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር ይሕለፍ፡ በሎም። [8] ኰነ ኸኣ እያሱ ነቶም ህዝቢ ምስ ተዛረቦም፡ እቶም
ሾብዓተ ኻህናት ድማ ሾብዓተ መለኸት እልልታ ሒዞም ነቲ መለኸት እናነፍሑ ቐቅድሚ እግዚኣብሄር
ሐለፉ። እቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ከኣ ደድሕሪኦም ይኸይድ ነበረ፡። [9] እቲ እተሰለፈ ዘበለ ድማ
ቀቅድሚ እቶም መለኸት ዚነፍሑ ኻህናትይኸይድ ነበረ፡ እቶም ካህናት መለኸት እናነፍሑ ኪኸዱ

ኸለዉ ኸኣ፡ እቶም ዝተረፉ ህዝቢ ደድሕሪ ታቦት ይስዕቡ ነበሩ። [10] እያሱ ድማ ነቶም ህዝቢ፡
ጫውጫው ኣይትበሉ፡ ድምጽኹም ከኣ ኣይተሰምዑ፡ ገለ ቓል ድማ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ፡ ክሳዕ እታ
ኣነ፡ ኣውክዑ፡ ዝብለኩም መዓልቲ፡ ሽዑ ኣውክዑ፡ ኢሉ ኣዘዞም። [11] ነቲ ታቦት እግዚኣብሄር ድማ ኣብ
ዙርያ እታ ኸተማ ሓንሳእ ኣዞሮ፡ ናብ ሰፈር ኣትዮም ከኣ ኣብቲ ሰፈር ሐደሩ። [12] ንጽብሒቱ ድማ እያሱ
ኣንጊሁ ተንስኤ፡ እቶም ካህናት ከኣ ንታቦት እግዚኣብሄር ጾርዎ። [13] እቶም ሾብዓተ ኻህናትውን ሾብዓተ
መለኸት እልልታ ሒዞም፡ ቀቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር እናኸዱ፡ መለኸት ይነፍሑ ነበሩ። ሰልፈኛ
ዘበለ ኸኣ ቀቅድሚኦም ከደ። እቶም ካህናት መለኸት እናነፍሑ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ፡ እቲ ዝተረፈ
ህዝቢ ደድሕሪ ታቦት እግዚኣብሄር ይስዕብ ነበረ። [14] በታ ኻልኣይቲ መዓልቲ ድማ ነታ ኸተማ ሓንሳእ
ዞይሮም፡ ናብ ሰፈር ተመልሱ። ሹድሽተ መዓልቲ ኸምኡ ገበሩ። [15] ኰነ ኸኣ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ
ኣንጊሆም ብወጋሕታ ተንሲኦም፡ ነታ ኸተማ ኸምኡ ገይሮም፡ ሾብዓተ ሳዕ ዞርዋ። በታ መዓልቲ እቲኣ
ጥራይ ነታ ኸተማ ሾብዓተ ሳዕ ዞርዋ። [16] ኰነ ኸኣ፡ እቶም ካህናት በቲ ሳብዓይ ሳዕ መለኸት ምስ ነፍሑ፡
እያሱ ነቶም ህዝቢ በሎም፡ እግዚኣብሄር ነዛ ኸተማ እዚኣ ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ኣውክዑ። [17] እዛ ኸተማ፡
ንሳን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን ንእግዚኣብሄር ሕርሚ ትኹን። ረሃብ ኣመንዝራ ጥራይ ነቶም ዝሰደድናዮም
ልኡኻት ስለ ዝሐብኣቶም፡ ንሳን ኣብ ቤት ምስኣ ዘለዉ ዅሎምን ብህይወት ይትረፉ። [18] ሓንትስ
ንስኻትኩም ከኣ ምስ ሐረምኩምዎ፡ ካብቲ እተሐርመ ኸይትወስዱ እሞ ንሰፈር እስራኤል ርጉም
ከይትገብርዎ፡ መከራውን ከይተምጽኡሉስ፡ ካብቲ እተሐርመ ነገር ተጠንቀቑ። [19] ብዘሎ ብሩርን ወርቅን
ኣቕሓ ኣስራዝን ሓጺንን ንሱ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ይኹን እሞ ናብ መዝገብ እግዚኣብሄር ይእቶ። [20]
ሽዑ እቶም ህዝቢ ኣውክዑ፡ ካህናትውን መለኸት ነፍሑ። ኰነ ኸኣ፡ እቶም ህዝቢ ደሃይ መለኸት ምስ
ሰምዑ፡ ዓው ኢሎም ኣውክዑ። ሽዑ እቲ መንደቕ ናብ ትሕቲኡ ኣቢሉ ወደቐ። እቲ ህዝቢውን፡ ነፍሲ
ወከፍ በብቕድሚኡ ደይቡ ናብታ ኸተማ አተወ፡ ነታ ከተማ ድማ ሐዝዋ። [21] ኣብታ ኸተማ ዝነበረ ዘበለ
ኸኣ ኣጥፍእዎ። ካብ ሰብኣይ ክሳዕ ሰበይቲ፡ ካብ ቈልዓ ክሳዕ ኣረጊት፡ ክሳዕ ብዕራይን በጊዕን ኣድግን
ብስሕለት ሴፍ ኣጥፍእዎም። [22] እያሱ ድማ ነቶም ነታ ሃገር ዝሰለዩ ኽልተ ሰብኣይ፡ ናብ ቤት እታ
ኣመንዝራ ሰበይቲ እተዉ እሞ፡ ከምቲ ዝመሐልኩምላ፡ ነታ ሰበይትን ምስኣ ዘሎ ዅሉን ካብኣ ኣውጽኡ፡
በሎም። [23] እቲም ኣጕባዝ፡ እቶም ሰለይቲ፡ ኣትዮም ንረሃብን ንቦኣን ነዲኣን ነሕዋታን ዘለዋ ዅሉን
ኣውጽኡ፡ ንብዘሎ ዓሌታ ድማ ኣውጽኡ። ኣብ ወጻኢ ሰፈር እስራኤል አቐመጥዎም። [24] ነታ ኸተማን
ኣብኣ ንዝነበረ ዅሉን ብሓዊ ኣንደዱ። ብሩርን ወርቅን ኣቓሑ ኣስራዝን ሓጺንን ጥራይ ናብ መዝገብ
ቤት እግዚኣብሄር ገበሩ። [25] ረሃብ፡ እታ ኣመንዝራ፡ ነቶም ንያሪኮ ኺስልዩ እያሱ ዝሰደዶም ልኡኻት ስለ
ዝሐብኣቶም፡ እያሱ ንእኣን ንቤት ኣቦኣን ንዅሉ ዘለዋን ብህይወት ሐደገ። ክሳዕ ሎሚ ኸኣ ኣብ ማእከል
እስራኤል ትነብር ኣላ፡ [26] በታ ጊዜ እቲኣ እያሱ ኸምዚ ኢሉ መሐለ፡ ነዛ ኸተማ ያሪኮ ኺሰርሓ ኢሉ
ዚልዕል፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ርጉም ይኹን። ብበዅሪ ወዱ ይሰርታ፡ ደጌታታ ድማ በቲ ዝነኣሰ
ወዱ የቑም። [27] እግዚኣብሄር ምስ እያሱ ምስ ነበረ እሞ፡ ወሪኡ ናብ ብዘላ እታ ሃገር በጽሔ።

## ምዕራፍ 7

[1] ደቂ እስራኤል ግና ኣብቲ ሕሩም ነገር ኣበሳ ኣበሱ። ካብ ነገድ ይሁዳ ኣካን፡ ወዲ ካርሚ ወዲ ዛብዲ
ወዲ ዜራሕ፡ ካብቲ እተሐርመ ወሰደ እሞ፡ ኲራ እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል ነደደ። [2] እያሱ ድማ ካብ
ያሪኮ ናብታ ብምብራቕ ቤትኤል ኣብ ጥቓ ቤትኣዌን ዘላ ዓይ ሰባት ሰደደ፡ ደይብኩም ነታ ሃገር

ሰልይዋ፡ ኢሉ ተዛረቦም። እቶም ሰባት ከኣ ደይቦም ንዓይ ሰለይዋ። 3 ናብ እያሱ ተመሊሶም ድማ፡ ኩሉ
ህዝቢ ኣይደይብ፡ ሒደት እዮም እሞ፡ ንብዘሎ ህዝቢ ናብኣ ኣይተድከሞ፡ ክልተ ወይ ሰለስተ ሽሕ
ዚኣክል ሰብ ደኣ ይደይብ፡ ንዓይ ከኣ ይውቅዕዋ፡ በልዎ። 4 ካብቲ ህዝቢ ድማ ሰለስተ ሽሕ ዚኣክል ሰብ
ናብኡ ደየበ። ግናኸ ካብ ቅድሚ እቶም ሰብ ዓይ ሀደሙ። 5 እቶም ሰብ ዓይ ካብኦም ኣስታት ሰላሳን
ሹድሽተን ሰብ ቀተሉ፡ ካብ ደገ ኽሳዕ ሰባሪም ሰጕጕዎም፡ ኣብቲ ቍልቍለት ድማ ወቕዕዎም። ሽዑ
ልቢ እቲ ህዝቢ መኸኸ፡ ከም ማይ ከኣ ኾነ። 6 እያሱን እቶም ዓበይቲ እስራኤልን ድማ ክዳውንቶም
ቀዲዶም ኣብ ኣራእሶም ድማ ሓመድ ነስኒሶም፡ ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር ክሳዕ ምሸት ብገጾም
ናብ ምድሪ ተደፍኡ። 7 እያሱ ድማ በለ፡ ኣየ ጐይታይ እግዚኣብሄር ኣብ ኢድ ኣሞራውያን ሂብካ
ኽተጥፍኣናስ፡ ስለምንታይ ደኣ ነዚ ህዝቢ ንዮርዳኖስ ዘሳገርካዮ፧ እየ፡ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ እንተ
ንቕመጥ፡ ግዳ ምፈቶና። 8 ወይለይ ጐይታይ፡ እስራኤል ዝባኑ ናብ ገጽ ጸላእቱ ኻብ መለሰ፡ እንታይ
ክብል እየ፧ 9 ከነኣናውያንን ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዅሎምን፡ ኪሰምዑ እዮም እሞ ኪኸቡና፡ ስምና ድማ
ካብ ምድሪ ኺጽንቱ እዮም። ነቲ ዓብዪ ስምካ ደኣ እንታይ ክትገብር ኢኻ፧ 10 እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ
በሎ፡ ተንስእ፡ ስለምንታይ ከምዚ ብገጽካ ትድፋእ፧ 11 እስራኤል ሓጢኣት ገበረ፡ እቲ ዝኣዘዝክዎም
ኪዳነይ ከኣ ኣፍረሱ፡ ካብቲ ሕሩም ወሰዱ ሰረቑ ኸኣ፡ ሐሰዉ ድማ፡ ኣብ ማእከል ኣቕሓኦምውን
ኣንበርዎ። 12 ስለዚ ደቂ እስራኤል ተሐሪሞም እዮም እሞ፡ ዝባኖም ናብ ገጽ ጸላእቶም ይመልሱ እምበር፡
ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም ኪቘሙ ኣይክእሉን። ነቲ ሕርሚ ኻብ ማእከልኩም እንተ ዘየጥፋእኩም። ኣነ
ደጊም ምሳኻትኩም ኣይከውንን እየ፡ 13 ተንስእ እሞ፡ ነቶም ህዝቢ ቀድሶም፡ በሎምውን፡ ንጽባሕ
ተቐደሱ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ እሞ፡ ኣታ እስራኤል፡ ሕርሚ ኣብ
ማእከልካ ኣሎ፡ ነቲ ሕርሚ ኻብ ማእከልኩም ክሳዕ እተርሕቕዎ፡ ኣብ ቅድሚ ጸላእትኻ ኽትቀውም
ኣይትኽእልን። 14 ጽባሕ በብነገድኩም ቅረቡ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ እግዚኣብሄር ዚወስዶ ነገድ
በብዓሌቱ ይቕረብ። እቲ እግዚኣብሄር ዚወስዶ ዓሌት ድማ፡ በብማይ ቤቱ ይቕረብ። እቲ እግዚኣብሄር
ዚወስዶ ማይ ቤት ከኣ፡ በብሰብኣይ ይቕረብ። 15 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ ሕርሚ እተረኽቦ፡ ኪዳን
እግዚኣብሄር ኣፍሪሱ ኣብ እስራኤል ከኣ ነውሪ ገይሩ እዩ እሞ፡ ንሱን ዘለዎ ዅሉን ብሓዊ ይንደድ። 16
እያሱ ከኣ ንጽብሒቱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ንእስራኤል ድማ በብነገዱ ኣቕሪቦ እሞ ነገድ ይሁዳ ተወስደ። 17
ንዓሌታት ይሁዳ ኸኣ ኣቕረቦም እሞ ዓሌት ዜራሓውያን ወሰደ። ንዓሌት ዜራሓውያን ድማ በብሰብኣይ
ኣቕረቦም እሞ ዛብዲ ተወስደ። 18 ንማይ ቤቱ ኸኣ በብሰብኣይ ኣቕረቦም እሞ ኣካን፡ ወዲ ካርሚ ወዲ
ዛብዲ ወዲ ዜራሕ፡ ካብ ነገድ ይሁዳ ተወስደ፡ 19 እይሱ ድማ ንኣካን፡ ወደይ፡ በጃኻ፡ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ኣኽብሮ ተናዘዘሉውን፡ እንታይ ከም ዝገበርካ ንገረኒ፡ ኣይትሕብኣለይ፡ በሎ። 20 ኣካን
ድማ ንእያሱ መሊሱ በሎ፡ ሓቂ እዩ፡ ኣነ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል በዲለዮ እየ፡ ከምዝን ከምዝን
ገበርኩ፡ 21 ኣብቲ እተዘምተ ሓደ ጽቡቕ ባርኖስ ሰንኣርን ክልተ ሚእቲ ሲቃል ብሩርን ሓምሳ ሲቃል
ዝሚዛኑ ልሳን ወርቅን ምስ ርኤኹ፡ ሽዑ ተመኔኽዎ እሞ ወሰድክዎ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብ ማእከል ድንኳነይ
ኣብ ምድሪ፡ እቲ ብሩር ድማ ብትሕቲኡ፡ ተሐቢኡ ኣሎ። 22 ሽዑ እያሱ ልኡኻት ሰደደ፡ ናብቲ ድንኳን
ከኣ ጐየዩ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ድንኳኑ ተሐቢኡ፡ እቲ ብሩርውን ብትሕቲኡ ነበረ። 23 ካብ ማእከል እቲ
ድንኳን ወሲዶም፡ ናብ እያሱን ናብ ኵሎም ደቂ እስራኤልን ኣምጺኦም ድማ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ኣንበርዎ። 24 ሽዑ እያሱ፡ ኵሉ እስራኤል ከኣ ምስኡ፡ ንኣካን ወዲ ዜራሕን ነቲ ብሩርን ባርኖስን ወርቅን
ነወዳቱን ኣዋልዱን ኣብዑሩን ኣእዱጉን ኣባጊዑን ድንኳኑን ዘለዎ ዅሉን ወሲዶም፡ ናብ ጋግ ዓኮር
ኣደየብዎ። 25 እያሱ ድማ፡ ስለምንታይ ኣሸገርካና፧ በለ። ኵሉ እስራኤል ድማ ብዳርባ እምኒ ቐተሎ፡

ብዳርባ እምኒ ቐቲሎም ከኣ ብሓዊ ኣንደድዎም። 26 ኣብ ልዕሊኡ ድማ እቲ ኸሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ዘሎ
ዓብዪ ጨርሒ እምኒ ጨርሑሉ። እግዚኣብሄር ድማ ካብ ረስኒ ዅራኡ ተመልሰ። ስለዚ ኸኣ ስም እታ
ቦታ ኽሳዕ ሎሚ ጋግ ዓኮር ይብሀል ኣሎ።

## ምዕራፍ 8

1 እግዚኣብሄር ድማ ንኢያሱ፡ ኣይትፍራህ፡ ኣይትሸበር። ተዋጋኢ ዘበለ ህዝቢ ውሰድ፡ ተንስእ እሞ ናብ
ዓይ ደይብ። ርአ፡ ኣነ ንንጉስ ዓይን ንህዝቡን ከተማኡን ሃገሩን ኣብ ኢድካ ሂበካ ኣሎኹ። 2 ከምቲ
ንያሪኮን ንንጉሳን ዝገበርካዮ፡ ንዓይን ንንጉሳን ድማ ክትገብር ኢኻ፡ ጥራይ ምርኮኣን ከብታን
ንኣኻትኩም ማርኹ። ብድሕሪ እታ ኸተማ ድብቕ ግበር፡ በሎ። 3 እያሱ ኸኣ ምስ ኲሉ እቲ ተዋጋኢ
ህዝቢ ናብ ዓይ ኪድይብ ተንስኤ። እያሱ ድማ ሰላሳ ሽሕ ሓያላት ጀጋኑ ሰባት ሐርዩ ብለይቲ ሰዶዶም።
4 ከምዚ ኢሉ ኸኣ ኣዘዞም፡ ርአዩ፡ ነታ ኸተማ፡ ብድሕሪ እታ ኸተማ፡ ደብቚላ፡ ካብታ ኸተማ ኣዚኹም
ኣይትርሐቑ። ኲልኹም ከኣ እተዳሎኹም ኩኑ። 5 ኣነን እቲ ምሳይ ዘሎ ዅሉ ህዝብን ድማ፡ ናብታ
ኸተማ ኽንቀርብ ኢና። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ከምቲ ናይ ቀዳማይ ኪቐባበሉና ምስ ወጹ፡ ካብ ቅድሚኦም
ክንሀድም ኢና። 6 ሽዑ፡ ከምቲ ቐዳማይ ካብ ቅድሜና ይሀድሙ ኣለዉ፡ ኪብሉ እዮም እሞ፡ ወጺኦም
ኪስዕቡናስ፡ ካብታ ኸተማ ኽሳዕ እንስሕቦም፡ ካብ ቅድሚኦም ክንሀድም ኢና። 7 እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ንእኣ ኣብ ኢድኩም ኪህበኩም እዩ እሞ፡ ንስኻትኩም፡ ድማ ካብቲ እተደበቕኩምሉ
ተንሲእኩም፡ ነታ ኸተማ ሓዝዋ። 8 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ነታ ኸተማ ምስ ሐዝኩምዋ፡ ብሓዊ ተኲስዋ።
ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ግበሩ፡ እንሆ፡ ኣዚዘኩም ኣሎኹ። 9 እያሱ ድማ ሰደዶም፡ ናብቲ ዚድበቑሉ፡
ኣብ መንጎ ቤትኤልን ዓይን፡ ከይዶም ከኣ ኣብ ሸነኽ ምዕራብ ዓይ ተቐመጡ። እያሱ ግና በታ ለይቲ
እቲኣ ኣብ ማእከል ህዝቢ ሐደረ። 10 ንጽብሒቱ ድማ እያሱ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ነቲ ህዝቢ ቘጸሮ ኸኣ፡ ንሱ
ምስ ዓበይቲ እስራኤል ቀቅድሚ እቲ ህዝቢ ናብ ዓይ ደየበ። 11 እቲ ምስኡ ዝነበረ ዅሉ ተዋጋኢ ዘበለ
ህዝቢ ድማ ደየበ፡ ቀሪቦም ከኣ ናብ መንጽር እታ ኸተማ መጺኦም፡ በብሰሜን ዓይ ሰፈሩ። ኣብ
መንጎኡን ኣብ መንጎ ዓይን ከኣ ለሰ ነበረ። 12 ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብ ወሲዱ፡ ኣብ መንጎ ቤትኤልን
ዓይን ብምዕራብ እታ ኸተማ ድብቕ ኣንበሮም። 13 ንብዘሎ እቲ ህዝቢ፡ ነቲ ብሰሜን እታ ኸተማ ዝነበረ
ዅሉ ጭፍራን ነቶም ብምዕራብ እታ ኸተማ ዝነበሩ ድቡቓቱን ከምኡ ኣስፈርዎም፡ እያሱ ከኣ በታ
ለይቲ እቲኣ ናብ ማእከል እቲ ለሰ ኸደ። 14 ኰነ ኸኣ፡ ንጉስ ዓይ እዚ ምስ ረአየ፡ ሰብ እታ ኸተማ
ቐልጢፎም ኣንጊሆም ተንስኡ እሞ፡ ንሱን ህዝቡን፡ ብጊዜኡ ንእስራኤል ንውግእ ኪቃባበልዎም፡ ናብ
ቅድሚ እቲ ጐልጐል ወጹ፡ ብድሕሪ እታ ኸተማ ደቢቖምሉ ኸም ዘለዉ ግና ኣይፈለጠን ነበረ። 15
እያሱን ብዘለዉ እስራኤልን ከኣ፡ ኣብ ቅድሚኦም ከም እተሳዕሩ፡ ብመገዲ በረኻ ኣቢሎም ሀደሙ። 16
ሽዑ ኣብታ ኸተማ ዝነበሩ ዅሎም ህዝቢ፡ ኪሰጉዎም ብኣውያት ተኣከቡ፡ ንእያሱ ድማ ሰጐጕዎ፡
ካብታ ኸተማ ኸኣ ተሳሕቡ። 17 ኣብ ዓይኒ ኣብ ቤትኤልን ደድሕሪ እስራኤልን ኪስዕብ ዘይወጸ ሰብ
ኣይተረፈን። ነታ ኸተማ ብኽፍትታ ሐዲጎምዋ፡ ደድሕሪ እስራኤል ሰዐቡ። 18 እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ፡
ንዓይ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ እሞ፡ እቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ዅናት ናብኣ ኣቢልካ ዘርግሓዮ፡ በሎ። እያሱ
ከኣ ነቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ዅናት ናብ ከተማ ኣቢሉ ዘርግሖ። 19 እቶም ተደቢቖም ዝነበሩ ድማ፡ ንሱ
ኢዱ ምስ ዘርግሓ፡ ቀልጢፎም ካብ ስፍራኦም ተንስኡ እሞ ጐይዮም ናብታ ኸተማ ኣተዉ ሐዚዋ ኸኣ፡
ቀልጢፎም ድማ ብሓዊ ተኰስዋ። 20 እቶም ሰብ ዓይ ንድሕሪኦም ግልጽ እንተ በሉ፡ እንሆ ኸኣ፡ ትኪ

እታ ኸተማ ንሰማይ ኪድይብ ረአዩ፡ ሽዑ ናብዚ ኾነ ናብቲ ኺሀድሙ ኽእለት ኣይነበሮምን፡ እቶም ንበረኻ ኣቢሎም ዝሀደሙ ህዝቢ ከኣ ናብቶም ሰጐጕቶም ኣቢሎም ተመልሱ። 21 እያሱን ብዘለዉ እስራኤልን፡ እቶም ድቡቓት ነታ ኸተማ ኸም ዝሓዝዋ፡ ትኪ እታ ኸተማውን ንላዕሊ ኸም ዝደየበ ምስ ረአዩ፡ ተመልሱ እሞ፡ ንሰብ ዓይ ቀተልዎም። 22 እቲኣቶም ከኣ ኪቀባበልዎም ካብ ከተማ ወጹ። ሽዑ እዚኣቶም በዚ፡ እቲኣቶም ከኣ በቲ፡ ኣብ ማእከል እስራኤል ኰኑ። ንሳቶም ድማ፡ ሓደ እኳ ኸየትረፉን ከየምለቑን፡ ቀተልዎም። 23 ንንጉስ ዓይ ከኣ ብህይወቱ ኸሎ ሒዞም፡ ናብ እያሱ ኣምጽእዎ። 24 ኰነ ኸኣ፡ እስራኤል ነቶም ኵሎም ሰብ ዓይ ኣብቲ ዚሰጉዎም ዝነበሩ፡ ኣብ ግራውቲ ኣብ በረካ ቐቲሎም ምስ ወድኡ፡ ንሳቶም ክሳዕ ዚወድኡ ኸኣ ኵሎም ብስሕለት ሴፍ ምስ ወደቑ፡ ሽዑ ብዘለዉ እስራኤል ናብ ዓይ ተመልሱ እሞ፡ ንእኣ ብስሕለት ሴፍ ወቕዕዋ። 25 እቶም በታ መዓልቲ እቲኣ ዘወደቑ ኹሎም፡ ካብ ሰብኣይን ካብ ሰበይትን ኵሎም ሰብ ዓይ፡ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ኰኑ። 26 እያሱ ድማ፡ ንብዘለዉ ሰብ ዓይ ክሳዕ ዜጥፍኦም፡ ነታ ኹናት ዝዘርሔት ኢዱ ኣይመለሳን። 27 እስራኤል፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንእያሱ ዝኣዘዞ፡ ከብትን ምርኮ እታ ኸተማ እቲኣን ጥራይ ማሪኾም ወሰዱ። 28 እያሱ ኸኣ ንዓይ ብሓዊ ኣንደዳ፡ ክሳዕ ሎሚ ኸኣ ዑና ኾምራ ዘለኣለም ገበራ፡ 29 ንንጉስ ዓይ ድማ ክሳዕ ምሸት ኣብ ኦም ሰቐሎ፡ ጸሓይ ምስ ዐረበት ከኣ፡ እያሱ ነቲ ሬሳኡ ኻብ ኦም ኬውርድዎ ኣዘዘ፡ ኣብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ ደርበይዎ። ኣብ ልዕሊኡ ድማ እቲ ኽሳዕ ሎሚ ዘሎ ዓብዩ ጨርሒ እምኒ ጨርሑሉ። 30 ሽዑ እያሱ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ኣብ ከረን ዔባል መሰውኢ ሰርሓሉ። 31 ከምቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ዝኣዘዞም፡ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ሙሴ ኸኣ ተጽሒፉ ዘሎ፡ መሰውኢ ኻብ ዘይተወቕረ፡ ሓጺን ዘይተከዮ ኣእማን፡ ኣብኡ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረጉ። መስዋእቲ ምስጋናውን ሰውኡ። 32 እቲ ሙሴ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዝጸሐፎ ሕጊ፡ ንሱ ኸኣ ከምኡ ኣብቲ ኣእማን ጸሐፎ። 33 ድማ ኵሉ እስራኤልን ዓብይቱን መኳንንቱን ፈረዱን፡ ጓና ከም ወዲ ዓዲ፡ ንታቦት በዝን በትን ኣብ መንጽር እቶም ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዝጾሩ ሌዋውያን ካህናት፡ ከምቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ንህዝቢ እስራኤል ኪባረኹ ቐድም ዝኣዘዞም፡ ፍርቆም ብሸነኽ ከረን ጌሪዚም፡ ፍርቆም ከኣ ብሸነኽ ከረን ዔባል ቈሙ። 34 ድሕርዚ ንብዘሎ ቓላት ሕጊ፡ ነቲ በረኸትን መርገምን፡ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ተጽሒፉ ዘሎ ኹሉ ኣንበቦ፡ 35 ካብቲ ሙሴ ዝኣዘዞ ኹሉ እያሱ ኣብ ቅድሚ ብዘሎ ማሕበር እስራኤልን ኣንስትን ሕጻናትን ኣብ ማእከሎም ዝኸዱ ጓኖትን ዘይንበቦ ቓል ኣይነበረን።

## ምዕራፍ 9

1 ኰነ ኸኣ፡ እቶም ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ኣብ ከረንን ቈላን ኣብ ገምገም እቲ ዓብዩ ባሕሪ ብሸነኽ ሊባኖስ ዚነብሩ ኹሎም ነገስታት፡ ሔታውያንን ኣሞራውያንን ከነኣናውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን እዚ ምስ ሰምዑ፡ 2 ምስ እያሱን ምስ እስራኤልን ኪዋግኡ ብሓደ ኾይኖም ተኣኪቦም ተሰማምዑ። 3 4 ንሳቶም ድማ ተንኰል ገበሩ፡ ከም ልኡኻት መሲሎም፡ ኣረገውቲ ዓያብትን ቅዱድን እተለገበን ኣሕርብቲ ወይኒ ድማ ኣብ ኣእዱጎም ጽዒኖም፡ 5 ኣረጊት እተለገበ ኣሳእን ከኣ ኣብ ኣእጋሮም ገይሮም፡ ብላይ ክዳውንቲውን ተኸዲኖም ከዱ። ኵሉ እንጌራ ስንቆም ድማ ዝነቐጸን እተረፋረፈን ነበረ። 6 ናብ እያሱ ናብቲ ሰፈር ኣብ ጊልጋል ከይዶም ከኣ፡ ንእኡን ንሰብ እስራኤልን፡ ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጻእና ኢና፡ ሕጂ ድማ ምሳና ኺዳን እተዉ፡ በልዎም፡ 7 ሰብ እስራራኤል ከኣ ንሃዋውያን፡ ምናልባሽ ኣብ ማእከልና ትነብሩ ኸይትኾኑ፡ ከመይ ጌርና ምሳካትኩም ኪዳን ክንአቱ፧ በልዎም። 8 ንእያሱ ኸኣ፡

ንሕና ገላዉኻ ኢና፡ በልዎ። እያሱ ድማ፡ እንታዎት ኢኹም፧ ካበይከ መጺእኹም፧ በሎም። [9] ንሳቶም ከኣ
በልዎ፡ ወሪኡን እቲ ኣብ ግብጺ ዝገበሮ ኹሉን ሰሚዕና እሞ፡ ገላዉኻ ምእንቲ ስም እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ኻብ ኣዝዩ ርሑቕ ሃገር ዝመጻእና ኢና። [10] እቲ ነቶም ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ዝነበሩ ኽልተ
ነገስታት ኣሞራውያን፡ ንሲሆን ንጉስ ሔስቦንን፡ ነቲ ኣብ ኣስታሮት ዝነበረ ዖግ ንጉስ ባሳንን ዝገበሮ ኹሉ
ድማ ሰሚዕና። [11] እቶም ዓበይትናን ኣብ ሃገርና ዚነብሩ ኹሎምን ከምዚ ኢሎም ተዛረቡና፡ ስንቂ
ንመገዲ ኣብ ኢድኩም ውሰዱ፡ ክትቀባበልዎም ድማ ኪዱ። ንሕና ገላውኹም ኢና፡ ሕጂ ኸኣ ኪዳን
እተዉልና፡ በልዎም። [12] እዚ እንጌራና በታ ናባኻትኩም ክንከይድ ዝወጻእናላ መዓልቲ ኻብ ኣባይትና
ብውዑዩ ዝሰነቕናዮ፡ ሕጂ ግና እንሆ፡ ነቒጹን ተረፋሪፉን እዩ። [13] እዚ ኣሕርብቲ ወይኒ ኸኣ ብሓደስቱ
ዝመላእናዮ፡ እንሆ ተቐዲዱ፡ እዚ ኽዳውንትናን ኣሳእናን ድማ ካብ ምንዋሕ መገዲ በልዩ። [14] ሽዑ እቶም
ሰባት ካብቲ ስንቆም ወሰዱ፡ ንኣፍ እግዚኣብሄር ከኣ ኣይጠየቑን። [15] እያሱ ድማ ምሳታቶም ሰላም ገበረ፡
ብህይወቶም ኪሐድጎም ከኣ ኪዳን ኣተወሎም። ሹማምቲ እቲ ኣኼባውን መሐሉሎም። [16] ኰነ ኸኣ፡
ምሳታቶም ኪዳን ምስ ኣተዉ፡ ብድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ጐረቤቶም ምዃኖም፡ ኣብ ማእከሎም እኳ ደኣ
ከም ዚነብሩ ሰምዑ። [17] ደቂ እስራኤል ከኣ ነቒሎም ብሳልሰይቲ መዓልቲ ናብ ከተማታቶም መጹ። እተን
ከተማታቶም ከኣ ጊብዖንን ከፊራን ብኤሮትን ቂርያትየዓሪምን እየን። [18] ግናኸ ደቂ እስራኤል፡ እቶም
ሹማምቲ ኣኼባ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ምሒሎሙሎም ስለ ዝነበሩ፡ ኣይቀተልዎምን።
ብዘሎ እቲ ኣኼባ ከኣ ኣብቶም ሹማምቲ ኣጕረምረመ። [19] እቶም ሹማምቲ ኹሎም ድማ ንብዘሎ እቲ
ኣኼባ፡ ንህና ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ምሒልናሎም ኢና፡ ሕጂ ኸኣ ክንትንክዮም
ኣይንኽእልን። [20] ብዛዕባ ኣቲ ዝመሐልናሎም ማሕላ መዓት ከይወርደናስ፡ ከምዚ ግዳ ንግበሮም፡
ብህይወት ንሕደጎም፡ በልዎ። [21] እቶም ሹማምቲ፡ ብህይወት ይንበሩ፡ በልዎም። ግናኸ፡ ከምቲ ሹማምቲ
ዝበልዎም፡ ንብዘሎ ኣኼባ ቈረጽቲ ዕጨይትን ወረዲ ማይን ኰኑ። [22] እያሱ ድማ ናብኡ ጸዊዑ፡ ኣብ
ማእከልና ኽነስኹምሲ፡ ንሕና ኻባኹም ኣዚና ርሑቓት ኢና፡ ብምባልኩም ስለምንታይ ጠበርኩምና፧ [23]
ሕጂ ድማ ንስኻትኩም ርጉማት ኢኹም፡ ባርነት ከኣ ካባኻትኩም ኣይለቕቕን፡ ንቤት ኣምላኽይ ቈረጽቲ
ዕጨይትን ወረዲ ማይን ክትኰኑ ኢኹም፡ ኢሉ ተዛረቦም። [24] ንሳቶም ድማ ንእያሱ፡ እቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ንሙሴ ባርያኡ ብዘላ እዛ ምድሪ እዚኣ ኺህበኩም፡ ኣብዛ ሃገር ንዚነብሩ ኹሎም ከኣ ካብ
ቅድሜኹም ኬጥፍኦም ከም ዝኣዘዞ፡ ንእና ባሮትካ ርግጽ ተነጊሩ እዩ እሞ፡ ስለዚ ኣብ ቅድሜኹም
ንነፍስና ኣዚና ፈሪህና፡ እዚ ነገር እዚ ገበርና። [25] ሕጂ ድማ እንሆ፡ ኣብ ኢድካ ኢና፡ ንኣና ኽትገብሮ
ጽቡቕን ቅኑዕን መሲሉ እትራእየካ ግበር፡ ኢሎም መለሱሉ። [26] ከምኡ ኸኣ ገበሮም፡ ካብ ኢድ ደቂ
እስራኤል ድማ ኣናገፎም፡ ንሳቶምውን ኣይቀተልዎምን። [27] እያሱ ኸኣ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ነቲ ኣኼባን
ንመሰውኢ እግዚኣብሄርን ኣብታ ንሱ ዝሐረያ ቦታ ኽሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ቈረጽቲ ዕጨይትን ወረዲ
ማይን ገበሮም።

## ምዕራፍ 10

[1] ኰነ ኸኣ፡ ኣዶኒጼዴቅ ንጉስ የሩሳሌም፡ እያሱ ንዓይ ከም ዝሐዛን ፈጺሙ ከም ዘጥፍኣን፡ ከምቲ
ንያሪኮን ንንጉሳን ዝገበሮ፡ ከምኡ ድማ ንዓይን ንንጉሳን ከም ዝገበረ፡ እቶም ኣብ ጊብዖን ዚነብሩውን
ምስ እስራኤል ከም እተዐርቁን፡ ኣብ ማእከሎም ከኣ ከም ዚነብሩን ምስ ሰምዔ፡ [2] ጊብዖንሲ ኸም ሓንቲ
ኻብተን ከተማታት ነገስታት ዓባይ ከተማ ስለ ዝነበረት፡ ኤረ ኻብ ዓይ እኳ ትዐቢ ነበረት፡ ኵሎም

ሰባትውን ጀጋኑ ነበሩ እሞ፡ ኣዝዮም ፈርሁ፡ 3 ስለዚ ኣዶኒጼደቅ ንጉስ የሩሳሌም ናብ ሆሃም ንጉስ
ኬብሮንን ናብ ጲርኣም ንጉስ ያርሙትን ናብ ያፊዓ ንጉስ ላኪሽን ናብ ደቢር ንጉስ ዔግሎንን ልኢኹ፡ 4
ጊብዖን ምስ እያሱን ምስ ደቂ እስራኤልን ተዐሪቓ እያ እሞ፡ ክንዋግኣ ናባይ ደይብኩም ሐግዙኒ፡
በሎም። 5 ሽዑ ሓሙሽቲኦም ነገስታት ኣሞራውያን፡ ንጉስ የሩሳሌም፡ ንጉስ ኬብሮን፡ ንጉስ ያርሙት፡
ንጉስ ላኪሽ፡ ንጉስ ዔግሎን፡ ንሳቶምን ኲሎም ሰራዊቶምን ተኣኪቦም ደየቡ፡ ኣብ መንጽር ጊብዖን ድማ
ሰፈሩ፡ ተዋግእዋ ኸኣ። 6 ሰብ ጊብዖን ድማ ናብ እያሱ ኣብቲ ሰፈር ኣብ ጊልጋል ልኢኾም፡ እቶም ኣብ
ከረን ዚነብሩ ነገስታት ኣሞራውያን ኲሎም ናባና ተኣኪቦም እዮም እሞ፡ ኢድካ ኻብ ባሮትካ
ኣይድከም፡ ቀልጢፍካ ናባና ደይብ፡ ኣድሕነናን ርድኣናን፡ በልዎ፡ 7 ሽዑ እያሱ፡ ንሱን ብዘሎ እቲ
ተዋጋኢ ህዝብን፡ ኲሎም ሓያላት ጀጋኑ ኸኣ ምስኡ ኻብ ጊልጋል ደየቡ። 8 እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ፡
ንኣታቶም ኣብ ኢድካ ሂበካ እየ፡ ካባታቶም ሓደ ሰብ እኳ ኣብ ቅድሜኻ ኣይቐውምን እዩ እሞ፡
ኣይትፍርሃዮም፡ በሎ። 9 እያሱ ከኣ ካብ ጊልጋል ምሉእ ለይቲ ገስጊሱ ብድንገት ሓደጋ ወደቖም። 10
እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ቅድሚ እስራኤል ኣሸበሮም፡ ኣብ ጊብዖን ከኣ ብዓብዪ መውቃዕቲ ወቕዖም፡
ብመገዲ ዓቐበት ቤትሖሮን ሰጒጎም፡ ክሳዕ ዓዜቃን ክሳዕ ማቄዳን ከኣ ወቕዖም። 11 ኰነ ኸኣ፡ ካብ
እስራኤል ሀዲሞም፡ ኣብቲ መውረዲ ቤትሖሮን ከለዉ ኽሳዕ ዓዜቃ ዚበጽሑ፡ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ
ዓበይቲ ኣእማን ኣውደቐሎም፡ ሞቱ ኸኣ። ካብቶም ደቂ እስራኤል ብሴፍ ዝቐተልዎም፡ እቶም በእማን
በረድ ዝሞቱ ይበዝሑ። 12 ሽዑ በታ እግዚኣብሄር ንኣሞራውያን ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ኣሕሊፉ
ዝሀበላ መዓልቲ፡ እያሱ ንእግዚኣብሄር ተዛረቦ፡ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ድማ በለ፡ ኣቲ ጸሓይ፡ ኣብ
ጊብዖን ደው ኢልኪ ጽንሒ፡ ኣቲ ወርሒውን፡ ኣብ ለሰ ኣያሎን። 13 ሽዑ እቲ ህዝቢ ንጻላእቱ ሕነ ኽሳዕ
ዚፈዲ፡ ጸሓይ ቄመት፡ ወርሒውን ደው በለት። እዝስ ኣብ መጽሓፍ ያሻርዶኽ ተጽሒፉ ኣይኰነን፧ እታ
ጸሓይ ኣብ ማእከል ሰማይ ኣስታት ምሉእ መዓልቲ ቘመት፡ ንምዕራብ ከኣ ኣይቀልጠፈትን። 14
እግዚኣብሄር ንእስራኤል ተዋጊኡሎም እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ደሃይ ሰብ ብምስማዕ ከምታ መዓልቲ
እቲኣ ዝበለት፡ ቅድሚኣ ኾነ ድሕሪኣ ኣይነበረትን። 15 እያሱ፡ ኲሉ እስራኤል ከኣ ምስኡ፡ ናብቲ ሰፈር
ኣብ ጊልጋል ተመልሰ። 16 እቶም ሓሙሽተ ነገስታት ድማ ሀዲሞም ኣብ በዓቲ ማቄዳ ተሐብኡ። 17
ንእያሱ ኸኣ፡ እቶም ሓሙሽተ ነገስታትሲ ኣብ በዓቲ ማቄዳ ተሐቢኦም ተረኺቦም ኣለዉ፡ ኢሎም
ነገርዎ። 18 እያሱ ድማ በለ፡ ናብ ኣፍ እቲ በዓቲ ዓበይቲ ኣእማን ኣንከባልሉ፡ ዚሕልውዎም ሰብ ከኣ
ግበሩ። 19 ንስኻትኩም ግና ደው ኣይትበሉ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ንጻላእትኹም ናብ ኢድኩም
ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ስጒጕዎም። ነቶም ዳሕሮቶም ከኣ ቅተልዎም፡ ናብ ከተማታቶም ኪኣትዉ
ኣይትሕደግዎም። 20 ኰነ ኸኣ፡ እያሱን ደቂ እስራኤልን ኣዝዩ ዓብዪ ስዕረት፡ ክሳዕ ዚውድኡ ፈጺሞም
ምስ ሰዐርዎም፡ እቶም ካባታቶም መሊቖም ዝሀደሙ ድማ ናብተን እተዐርዳ ኸተማታት ምስ ኣተዉ፡ 21
ኲሉ እቲ ህዝቢ ናብ እያሱ ኣንብ ሰፈር ኣብ ማቄዳ ብሰላም ተመልሰ። ንሓደ ኻብ ደቂ እስራኤልስ
መልሓሱ ዘዋሳወሰሉ ሓደ እኳ ኣይነበረ። 22 ሽዑ እያሱ፡ ነቲ ኣፍ በዓቲ ኽፈትዎ፡ ነቶም ሓሙሽተ
ነገስታት ካብቲ በዓቲ ናባይ ኣውጽእዎም፡ በለ። 23 ከምኡ ድማ ገበሩ፡ ነቶም ሓሙሽተ ነገስታት፡ ንጉስ
የሩሳሌም፡ ንጉስ ኬብሮን፡ ንጉስ ያርሙት፡ ንጉስ ላኪሽ፡ ንጉስ ዔግሎን፡ ካብቲ በዓቲ ናብኡ
ኣውጽእዎም። 24 ኰነ ኸኣ፡ ነቶም ነገስታት እቲኦም ናብ እያሱ ምስ ኣውጽእዎም፡ እያሱ ንዅሎም ሰብ
እስራኤል ጸውዖም፡ ነቶም ምስኡ ኸይዶም ዝነበሩ ሓላቑ እቶም ተዋጋእቲ ድማ፡ ቅረቡ እሞ ኣእጋርኩም
ኣብ ክሳውዲ እዞም ነገስታት እዚኦም ግበሩ፡ በሎም። ቀረቡ እሞ ኣእጋሮም ኣብ ክሳውዶም ገበሩ፡ 25
እያሱ ድማ፡ እግዚኣብሄርሲ ነቶም እተዋግዎም ኲሎም ጸላእትኹም ከምኡ ኺገብሮም እዩ እሞ፡

ኣይትፍርሁን ኣይትሰምብዱን፡ ጽንዑን ትብዑን፡ በሎም። [26] ድሕርዚ እያሱ ወቒዑ ቐተሎም፡ ኣብ
ሓሙሽተ ኦም ሰቐሎም፡ ክሳዕ ምሸት ከኣ ኣብተን ኣእዋም ተሰቒሎም ወዐሉ። [27] ኰነ ኸኣ፡ ኣጋ ምዕራብ
ጸሓይ እያሱ ኣዘዞም፡ ካብተን ኣእዋም ኣውሪዶም ኣብቲ ተሐቢኦምሉ ዝነበሩ በዓቲ ደርበይዎም። ኣብቲ
ኣፍ በዓቲ ድማ እቲ ኽሳዕ ሎም መዓልቲ ዘሎ ዓበይቲ ኣእማን ገበሩ። [28] እያሱ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ
ንማቄዳ ሓዛ፡ ንእኣን ንንጉሳን ከኣ ብስሕለት ሴፍ ወቕዔ፡ ንኣታቶምን ኣብኣ ንዘለዉ ኹሎም ነፍሳትን
ሓደ እኳ ኸየትረፈ፡ ፈጺሙ ኣጥፍኦም። ከምቲ ንንጉስ ያሪኮ ዝገበሮ፡ ንንጉስ ማቄዳ ድማ ከምኡ ገበሮ።
[29] እያሱ፡ ኵሉ እስራኤል ድማ ምስኡ፡ ካብ ማቄዳ ናብ ሊብና ሐለፈ፡ ንሊብና ኸኣ ተዋግኣ። [30]
እግዚኣብሄር ድማ ንእኣን ንንጉሳን ኣብ ኢድ እስራኤል ሀበ፡ ንእኣን ኣብኣ ንዘለዉ ኹሎም ነፍሳትን፡
ኣብኣ ሓደ እኳ ኸየትረፈ፡ ብስሕለት ሴፍ ቀተለ። ንንጉሳ ድማ ከምቲ ንንጉስ ያሪኮ ዝገበሮ ገበረ። [31]
እያሱ፡ ኵሉ እስራኤል ከኣ ምስኡ፡ ካብ ሊብና ናብ ላኪሽ ሐለፈ እሞ ኣብ መንጽራ ሰፊሩ ተዋግኣ። [32]
እግዚኣብሄር ንላኪሽውን ኣብ ኢድ እስራኤል ሀባ፡ ብኻልኣይቲ መዓልቲ ሓዛ፡ ከምቲ ኹሉ ንሊብና
ዝገበራ፡ ንእኣን ኣብኣ ንዘለዉ ኹሎም ነፍሳትን ከኣ ብስሕለት ሴፍ ቀተለ። [33] ሽዑ ሆራም ንጉስ ጌዝር
ንላኪሽ ኪረድኣ ደየበ፡ እያሱ ድማ ንእኡን ንህዝቡን፡ ሓደ እኳ ኸየትረፈ፡ ቀተለ። [34] እያሱ፡ ብዘሎ
እስራኤል ከኣ ምስኡ፡ ካብ ላኪሽ ናብ ዔግሎን ሐለፈ፡ ኣብ መንጽራ ሰፈሮም ከኣ ተዋግእዋ። [35] በታ
መዓልቲ እቲኣ ሐዝዋ፡ ብስሕለት ሴፍውን ወቕዕዋ፡ ንሱ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብኣ ንዘለዉ ኹሎም
ነፍሳት፡ ከምቲ ኹሉ ንላኪሽ ዝገበራ፡ ፈጺሙ ኣጥፍኦም። [36] እያሱ፡ ብዘሎ እስራኤል ድማ ምስኡ፡ ካብ
ዔግሎን ናብ ኬብሮን ደየበ፡ ተዋግእዋ ከኣ። [37] ሐዝዋ ድማ፡ ንእእን ንንጉሳን ንኹለን ከተማታታን ኣብኣ
ንዘለዉ ኹሎም ነፍሳትን ብስሕለት ሴፍ ቀተልዎም። ከምቲ ኹሉ ኣብ ዔግሎን ዝገበሮ፡ ሓደ እኳ
ኣየትረፈን፡ ንእኣን ኣብኣ ንዘለዉ ኹሎም ነፍሳትን ፈጺሙ ኣጥፍኦም። [38] እያሱ፡ ኵሉ እስራኤል ድማ
ምስኡ፡ ናብ ደቢር ተመልሰ፡ ተዋግኣ ኸኣ። [39] ንእኣን ንንጉሳን ንኹለን ከተማታታን ሐዘ፡ ብስሕለት
ሴፍውን ቀተልዎም፡ ኣብኣ ንዘለዉ ንኹሎም ነፍሳት ድማ ፈጺሞም ኣጥፍእዎም፡ ሓደ እኳ ኣየትረፈን።
ከምቲ ኣብ ኬብሮን ዝገበሮ፡ ከምቲ ኣብ ሊብናን ኣብ ንጉሳን ከኣ ዝገበሮ፡ ኣብ ደቢርን ንጉሳን ከኣ
ከምኡ ገበረ። [40] በዚ ኸምዚ እያሱ ንኹላ እታ ምድሪ ኸረንን ደቡብን ቈላን ጎቦታትን ኵሎም
ነገስታቶምን ቀተሎም፡ ሓደ እኳ ኣየትረፈን። ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ዝኣዘዞ፡ ትንፋስ
ንዘለዎ ኹሉ ፈጺሙ ኣጥፍኤ። [41] ከምኡ ድማ እያሱ ካብ ቃዴስባርኔዓ ኽሳዕ ጋዛ፡ ንኹላ ሃገር ጎሼን ከኣ
ክሳዕ ጊብዖን ወቕዖም። [42] እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ንእስራኤል ይዋግኣሉ ነበረ እሞ፡ እያሱ ነዞም
ኵሎም ነገስታት እዚኣቶምን ንምድሮምን ብሓንሳእ ሐዘ። [43] ድሕርዚ እያሱን ብዘሎ እስራኤልን ምስኡ
ናብቲ ሰፈር ኣብ ጊልጋል ተመልሱ።

## ምዕራፍ 11

[1] ኰነ ኸኣ፡ ያቢን ንጉስ ሓጾር እዚ ምስ ሰምዔ፡ ናብ ዮባብ ንጉስ ማዶንን ናብ ንጉስ ሺምሮንን ናብ
ንጉስ ኣክሻፍውን፡ [2] ናብቶም ብሰሜን ኣብ ኣኽራንን ኣብ ጐልጐልን ብደቡብ ኪነሮት ድማ ኣብ ቈላን
ኣብ ምዕራብን በረኽቲ ዶር ናብ ዝነበሩ ነገስታት፡ [3] ብምብራቕን ብምዕራብን ናብ ዝነበሩ ከነኣናውያን፡
ናብ ኣሞራውያንን ሔታውያንን ፈረዛውያንን፡ ኣብ ኣኽራን ናብ ዝነበሩ ይቡሳውያንን ኣብ እግሪ ሄርሞን
ኣብ ምድሪ ሚጽጳ ናብ ዝነበሩ ሃዋውያንን ለኣኸ። [4] ንሳቶምን ኵሎም ሰራዊቶምን ምሳታቶም፡ ከምቲ
ኣብ ገምገም ባህሪ ዘሎ ሑጻ ዝምብዛሁ ብዙሕ ህዝቢ፡ ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ፈረስን ሰረላን ወጹ። [5] እዞም

ነገስታት እዚኣቶም ኵሎም ከኣ ተኣከቡ፡ ምስ እስራኤል ኪዋግኡ መጺኦም ድማ፡ ኣብ ማይ ሜሮም
ብሓደ ሰፈሩ። 6 እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ፡ ኣነ ንዅሎም ቅቱላት ገይረ ኣብ
ቅድሚ እስራኤል ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ እሞ፡ ብእኦም ኣይትፍራህ፡ ኣፍራሶም ክትቅንጅብ፡
ሰረገላታቶምውን ብሓዊ ኽተንድድ ኢኻ፡ በሎ። 7 እያሱ፡ ብዘሎ እቲ ተዋጋኢ ህዝቢ ኸኣ ምስኡ፡ ኣብ
ማይ ሜሮም መጺኡ፡ ብድንገት ሓደጋ ወደቐም። 8 እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢድ እስራኤል ሀቦም፡ እሞ
ወቕዕዎም፡ ክሳዕ እታ ዓባይ ሲዶን፡ ክሳዕ ሚስረፎትማይም ድማ፡ ብሸነኽ ምብራቕውን ክሳዕ ለሰ
ሚጺጳ ሰጐጕዎም። ሓደ እኳ ከየትረፉሎም ቀተልዎም። 9 እያሱ ድማ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ
ገበሮም፡ ኣፍራሶም ቀንጀበ፡ ሰረገላታቶምዉ ብሓዊ ኣንደደ። 10 ሓጾር ድማ ነዘን ኵለን መንግስትታት
እዚ ኣተን ቀደም ርእሲ ኽተማኤን ነበረት እሞ፡ እያሱ በታ ጊዜ እቲኣ፡ ተመሊሱ ንሓጾር ሓዛ፡ ንንጉሳ
ኸኣ ሰየፎ። 11 ኣብኣ ንዘለዉ ዅሎም ነፍሳት ብስሕለት ሴፍ ወቂያም ፈጺሞም ኣጥፍእዎም፡ ትንፋስ
ዘላቶ ሓደ እኳ ኣይተረፈን። ንሓጾርውን ብሓዊ ኣንደዳ። 12 እያሱ ድማ ንዅለን ከተማታት እዞም
ነገስታት እዚኣቶምን ንዅሎም ነገስታትንን ሐዘ። ከምቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ኸኣ፡
ብስሕለት ሴፍ ወቒዑ ፈጺሙ ኣጥፍኣም። 13 ብጀካ እታ እያሱ ዘንደዳ ሓጾር ጥራይ፡ እስራኤል ነተን ኣብ
ኵርባታት ዘለዋ ኽተማታት ኣየንደደን። 14 ኵሉ ምርኮ እተን ከተማታት እዚኤንን ማልን ደቂ እስራኤልን
ንርእሶም ማረኽዎ። ንዅሉ ሰብ ግና ክሳዕ ዜጥፍእዎም ብስሕለት ሴፍ ቀተልዎም። ትንፋስ ዘላቶ ሓደ
እኳ ኣየትረፉን። 15 ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ባርያኡ ዝኣዘዞ፡ ከምኡ ሙሴ ንእያሱ ኣዘዞ፡ እያሱውን
ከምኡ ገበረ። ንሱ ኻብቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ዅሉ ሓደ ነገር እኳ ኣይሐደገን። 16 እያሱ ኸኣ
ንብዘላ እታ ሃገር፡ ምድሪ ኣኽራንን ኵሉ ደቡብን ብዘላ ምድሪ ጐሼንን ቈላን ጐልጐልን ኣኽራን
እስራኤልን ቈላኡን ሐዘ። 17 ካብቲ ናብ ሰዒር ዜደይብ መላጥ ከረን ሒዙ፡ ክሳዕ እቲ ኣብ ጐልጐል
ሊባኖስ ኣብ እግሪ ሄርሞን ዘሎ በዓልጋድ፡ ንዅሎም ነገስታቶም ሐዘ፡ ወቒዑ ድማ ቀተሎም። 18 እያሱ
ምስ እዞም ኵሎም ነገስታት እዚኣቶም ነዊሕ ዘበን ተዋግኤ። 19 ብጀካ እቶም ኣብ ጊብዖን ዚነብሩ
ሃዋውያንሲ፡ ምስ እስራኤል እተዐርቀት ከተማ ኣይነበረትን፡ ንዅለን ተዋጊኦም ሐዘወን። 20 ምእንቲ
ፈጺሙ ኼጥፍኦም እሞ ምሕረት ከይረኽቡ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ምእንቲ ኼጥፍኦም፡
ምስ ደቂ እስራኤል ኪዋግኡ ምትራር ልቦም ካብ እግዚኣብሄር ኰነ። 21 በታ ጊዜ እቲኣ እያሱ መጺኡ
ነቶም ዓናቃውያን ካብ ኣኽራን፡ ካብ ኬብሮን፡ ካብ ደቢር፡ ካብ ዓናብ፡ ድማ ካብ ብዘሎ ኣኽራን
ይሁዳን ካብ ብዘሎ ኣኽራን እስራኤልን ኣጥፍኦም። እያሱ ፈጺሙ ምስ ከተማታቶም ኣጥፍኦም። 22 ኣብ
ሃገር ደቂ እስራኤል ገለ ዓናቃውያንን ኣይተረፉን። ኣብ ጋዛን ኣብ ጋትን ኣብ ኣሽዶድን ጥራይ ተረፉ። 23
ከምኡ ድማ እያሱ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ እተዛረቦ ዅሉ፡ ንብሃገራ ሓዛ፡ እያሱ ድማ ንእስራኤል
ከከም ክፍሎምን ከከም ነገዶምን ርስቲ ሀቦም። እታ ሃገር ድማ ካብ ውግእ ዐረፈት።

## ምዕራፍ 12

1 እቶም ደቂ እስራኤል ዝሰዐርዎም እሞ ምድሮም ከኣ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡ ብምብራቕ ጸሓይ፡ ካብ ርባ
ኣርኖን ክሳዕ ከረን ሄርሞን፡ ብሸነኽ ምብራቕ ዘሎ ዅሉ ጐልጐል ድማ ዘወረስዎም ነገስታት እዚኣቶም
እዮም። 2 እቲ ኣብ ሔስቦን ዝነበረ ኻብታ ኣብ ገምገም ርባ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔር፡ ኣብ ማእከል ርባ ዘላ
ኽተማን ፈረቓ ጊልዓድን ድማ፡ ክሳዕ እታ ንደቂ ኣሞን እተዳውብ ርባ ያቦቅ ዚገዝእ ዝነበረ ሲሆን ንጉስ
ኣሞራውያን። 3 ድማ እቲ ብወገን ምብራቕ ዘሎ ጐልጐል ክሳዕ ባሕሪ ኪነሮት፡ ብወገን ምብራቕ ድማ

ክሳዕ ባሕሪ ጐልጐል፡ ንሱ ኸኣ ባሕሪ ጨው፡ ናብ መገዲ ቤትየሲሞት፡ ንደቡብ ድማ ኣብ እግሪ
ጐቦታት ጲስጋ። 4 ድማ ዶብ ዖግ ንጉስ ባሳን፡ ንሱ ኻብቶም ኣብ ኣሽታሮትን ኣብ ኤድሬዒን ዚቕመጥ
ዝነበረ ተረፍ ራፋውያን እዩ። 5 ንሱ ኣብ ከረን ሄርሞንን ኣብ ሳልካን ኣብ ብዘሎ ባሳንን ክሳዕ ዶብ
ገሹራውያንን ማዓካታውያንን ኣብ ፈረቓ ጊልዓድን ድማ፡ ዶብ ሲሆን ንጉስ ሔስቦን ይገዝእ ነበረ። 6
ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄርን ደቂ እስራኤልን ወቕዕዎም፡ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ድማ እታ ምድሮም
ንሮቤላውያንን ንጋዳውያንን ንፈረቓ ነገድ ምናሴን ንርስቲ ሀቦም። 7 እቶም ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ኣብ
ወገን ምዕራብ፡ ኣብ ጐልጐል ሊባኖስ ካብ ዘላ በዓልጋድ ክሳዕ እቲ ናብ ሰዒር ዜደይብ መላጥ ከረን
ዝነበሩ፡ እያሱን ደቂ እስራኤልን ዝወቕዕዎም ነገስታት እታ ሃገር እዚኣቶም እዮም። እያሱ ድማ እታ
ምድሪ ንነገዳት እስራኤል ከከም ክፍልታቶም ገይሩ ንርስቲ ሀቦም፡ 8 ኣብ ኣኽራንን ኣብ ቈላን ኣብ
ጐልጐልን ኣብ ጐቦታትን ኣብ በረኻን ኣብ ደቡብን ሔታውያን፡ ኣሞራውያን፡ ከነኣናውያን፡
ፈረዛውያን፡ ሃዋውያን፡ ይቡሳውያን ድማ፡ 9 ንጉስ ያሪኮ ሓደ፡ ንጉስ እታ ኣብ ጥቓ ቤትኤል ዘላ ዓይ
ሓደ፡ 10 ንጉስ የሩስሌም ሓደ፡ ንጉስ ኬብሮን ሓደ፡ 11 ንጉስ ያርሙት ሓደ፡ ንጉስ ላኪሽ ሓደ፡ 12 ንጉስ
ዔግሎን ሓደ፡ ንጉስ ጌዘር ሓደ፡ 13 ንጉስ ደቢር ሓደ፡ ንጉስ ጌደር ሓደ፡ 14 ንጉስ ሖርማ ሓደ፡ ንጉስ ዓራድ
ሓደ፡ 15 ንጉስ ሊብና ሓደ፡ ንጉስ ዓዱላም ሓደ፡ 16 ንጉስ ማቄዳ ሓደ፡ ንጉስ ቤትኤል ሓደ፡ 17 ንጉስ ታጱኣ
ሓደ፡ ንጉስ ሔፌር ሓደ፡ 18 ንጉስ ኣፌቕ ሓደ፡ ንጉስ ላሻሮን ሓደ፡ 19 ንጉስ ማዶን ሓደ፡ ንጉስ ሓጾር ሓደ፡
20 ንጉስ ሺምሮንሜሮን ሓደ፡ ንጉስ ኣክሻፍ ሓደ፡ 21 ንጉስ ታዓናክ ሓደ፡ ንጉስ መጊዶ ሓደ፡ 22 ንጉስ ቀደሽ
ሓደ፡ ንጉስ ዮቕነዓም ኣብ ቀርሜሎስ ሓደ፡ 23 ንጉስ ዶር ኣብ በረኽቲ ዶር ሓደ፡ ንጉስ ጐዪም ኣብ
ጊልጋል ሓደ፡ 24 ንጉስ ቲርጻ ሓደ። ኵሎም ሰላሳን ሓደን ነገስታት እዮም።

# ምዕራፍ 13

1 እያሱ ድማ ነዊሕ ዘበን ገይሩ ኣሪጉ ነበረ፡ እግዚኣብሄር ከኣ በሎ፡ ንስኻ ነዊሕ ዘበን ጌርካ ኣሪግካ
ኢኻ፡ እትተሐዝ ምድሪ ድማ ገና ኣዝያ ገዛፍ ተሪፉ ኣላ። 2 እታ ዝተረፈት ምድሪ ኸኣ እዚኣ እያ፡ ብዘሎ
ጐደቦታት ፍልስጥኤማውያንን ኵሎም ጌሹራውያንን፡ 3 ካብታ ኣብ ቅድሚ ግብጺ ዘላ ሺሖር ንሰሜን
ከኣ ክሳዕ እታ ምስ ምድሪ ኸነኣን እትቝጸር ዶብ ዔቅሮን፡ ናይቶም ሓሙሽተ ሹማምቲ
ፍልስጥኤማውያን፡ ጋዛውያን፡ ኣሽዶዳውያን፡ ኣስቀሎናውያን፡ ጋታውያን፡ ዔቅሮናውያን ዓዋውያን
ድማ፡ 4 ብደቡብ ኵሉ ምድሪ ኸነኣናውያን፡ ሜዓራ ናይ ሲዶናውያንውን ክሳዕ ኣፌቕ፡ ክሳዕ ዶብ
ኣሞራውያን፡ 5 ድማ ምድሪ ጌባላውያን፡ ብዘሎ ሊባኖስ ድማ ብወገን ምብራቕ ጸሓይ፡ ካብቲ ኣብ እግሪ
ኸረን ሄርሞን ዘሎ በዓልጋድ ክሳዕ እቲ ንሃማት ዜእቱ፡ 6 ኣብ ኣኽራን ካብ ሊባኖስ ክሳዕ ሚስረፎት
ማዩም ዚነብሩ ዅሎም፡ ብዘለዉ ሲዶናውያን። ኣነ ኻብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ክሰጎም እየ። ጥራይ፡
ከምቲ ዝኣዘዝኩኻ ጌርካ፡ እታ ምድሪ ንእስራኤል ንርስቲ ኣካፍሎም። 7 እምበኣር ሕጂ እዛ ምድሪ እዚኣ
ንትሽዓቲኦም ነገድን ንፈረቓ ነገድ ምናሴን ንርስቲ ምቐላ። 8 ምስኡ ሮቤላውያንን ጋዳውያንን፡ ከምቲ
ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ዝሀቦም፡ እቲ ሙሴ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ብወገን ምብራቕ ዝሀቦም ርስቶም
ተቐበሉ፡ 9 ካብታ ኣብ ገምገም ርባ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔር፡ ካብታ ኣብ ማእከል ርባ ዘላ ኸተማ ኸኣ ብዘሎ
ጐልጐል ሜድባ ኽሳዕ ዲቦንውን፡ 10 ድማ ዅለን ከተማታት ናይቲ ኣብ ሔስቦን ክሳዕ ዶብ ደቂ ኣሞን
ዝነገሰ ሲሆን ንጉስ ኣሞራውያን፡ 11 ጊልዓድን ዶብ ጌሹራውያንን መዓካታውያንን፡ ብዘሎ ኸረን ሄርሞንን
ብዘሎ ባሳን ድማ ክሳዕ ሳልካ፡ 12 ብዘሎ መንግስቲ ዖግ ኣብ ባሳን፡ እቲ ኣብ ኣስታሮትን ኣብ ኤድሬዒን

ዝነገሰ ንሱ ኻብቶም ተረፍ ራፋውያን ተሪፉ ነበረ ሙሴ ድማ ወቒዑ ኣውጽኦም። 13 ንጌሹራውያንን
ንማዓካታውያንን ግና ደቂ እስራኤል ኣየውጽእዎምን እሞ ጌሹርን ማዓካትን ክሳዕ ሎም መዓልቲ ኣብ
ማእከል እስራኤል ይቕመጡ ኣለዉ። 14 ንነገድ ሌዊ ጥራይ ርስቲ ኣይሀቦምን፡ ርስቱስ ከምቲ ዝበሎ፡ ናይ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል መስዋእቲ ሓዊ እዩ። 15 እምበኣርሲ ሙሴ ንነገድ ደቂ ሮቤል ከከም
ዓሌቶም ርስቲ ሀቦም። 16 ዶቦም ከኣ ካብታ ኣብ ገምገም ርባ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔርን ካብታ ኣብ ማእከል
ርባ ዘላ ኸተማን፡ ብዘሎ ጐልጐል ሜድባ ድማ፡ 17 ሔስቦንን እተን ኣብ ጐልጐል ዘለዋ ዅለን
ከተማታትን፡ ዲቦንን ባሞትብዓልን ቤትበዓልሜዖንን፡ 18 ያሕጻን ቄዴሞትን ሜፋዓትን፡ 19 ቂርያታዪምን
ሲብማን እታ ኣብቲ ኣብ ለሰ ዘሎ ኽረን ዘላ ጸሬትሻሓር ድማ፡ 20 ቤትጴዖርን ጎቦታት ጲስጋንን፡
ቤትየሺሞትን፡ 21 ኵለን ከተማታት ጐልጌልን ብዘላ መንግስቲ እቲ ኣብ ሔስቦን ነጊሱ ዝነበረ ሲሆን ንጉስ
ኣሞራውያንን ምስቶም ሹማምቲ ሚድያን፡ ኤዊን ረቀምን ጹርን ሑርን ሬባን፡ እቶም ኣብታ ሃገር ዝነበሩ
ሹማምቲ ሲሆን፡ ሙሴ ዝወቕዖም። 22 ንበላዓም ጠንቋሊ ወዲ ቤዖር ድማ ምስቶም ካልኦት ቅቱላቶም
ደቂ እስራኤል ብሴፍ ቀተልዎ። 23 ዶብ ደቂ ሮቤል ድማ ዮርዳኖስን ዶቡን ነበረ። ርስቲ ደቂ ሮቤል
ከከም ዓሌቶም፡ ከተማታትን ዓድታተንን እዚ እዩ። 24 ንነገድ ጋድ ድማ፡ ንደቂ ጋድ ከከም ዓሌቶም
ሙሴ ሀቦም። 25 ዶቦም ከኣ ያዕዜርን ኵለን ከተማታት ጊልዓድን ፈረቓ ምድሪ ደቂ ኣሞን ድማ ክሳዕ እታ
ኣብ መንጽር ራባ ዘላ ዓሮዔር ነበረ። 26 ካብ ሔስቦን ድማ ክሳዕ ራማትሚጽጴን በጦኒምን፡ ካብ
መሃናይም ከኣ ክሳዕ ዶብ ደቢር፡ 27 ኣብቲ ለሰ ድማ፡ ቤትሃራምን ቤትኒምራን ሱኮትን ጻፎንን፡ እቲ
ተረፍ መንግስቲ ሲሆን፡ ንጉስ ሔስቦን፡ እቲ ዶብ ድማ ዮርዳኖስ እዩ ኽሳዕ ወሰን ባሕሪ ኪነረት፡ ስግር
ዮርዳኖስ ብምብራቑ። 28 ርስቲ ደቂ ጋድ ከከም ዓሌቶም ከተማታት ምስ ዓድታተን እዚ እዩ። 29 ንፈረቓ
ነገድ ምናሴውን ሙሴ ርስቲ ሀቦም፡ ንሱ ኸኣ ንፈረቓ ነገድ ደቂ ምናሴ ከከም ዓሌቶም ኰነ። 30 ዶብም
ከኣ ካብ መሃናይም ብዘሎ ባሳን፡ ብዘሎ መንግስቲ ዖግ ንጉስ ባሳን፡ ኵለን ዓድታት ናይታ ኣብ ባሳን ዘላ
ያኢር፡ ስሳ ኸተማታት፡ 31 ፈረቓ ጊልዓድ ድማ፡ ኣስታሮትን ኤድሬዒን፡ ከተማታት መንግስቲ ዖግ ኣብ
ባሳን፡ ንደቂ ማኪር ወዲ ምናሴ ንፈረቓ ደቂ ማኪር ከከም ዓሌቶም ኰነ። 32 እተን ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡
ብወገን ምብራቓ ንያሪኮ፡ ኣብ ጐልጐል ሞኣብ፡ ሙሴ ዘረስተዮም፡ እዚኣተን እየን። 33 ንነገድ ሌዊ ግና፡
ከምቲ ዝበሎም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል እዩ ርስቶም እሞ፡ ሙሴ ርስቲ ኣይሀቦምን።

# ምዕራፍ 14

1 እተን ደቂ እስራኤል ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዝወረስወን፡ እሞ እቲ ኻህን ኣልኣዛርን እያሱ ወዲ ነዌን እቶም
ርእስታት ነቦታት ነገዳት ደቂ እስራኤልን ዘውረስዎም፡ እዚኣተን እየን፡ 2 ከምቲ እግዚኣብሄር ብኢድ
ሙሴ ዝኣዘዞ፡ ንትሽዓተ ነገድን ንፈረቓ ነገድን ረርስቶም ብዕጭ ከፈሎም። 3 ነቶም ክልተ ነገድን ንፈረቓ
ነገድንሲ ሙሴ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ርስቲ ሂብዎም ነበረ፡ ንሌዋውያን ግና ኣብ መንጎኦም ርስቲ
ኣይሀቦምን። 4 ደቂ ዮሴፍ ክልተ ነገድ፡ ምናሴን ኤፍሬምን ነበሩ እሞ፡ ንሌዋውያን ግና፡ ብጀካ እተን
ዚነብሩለን ከተማታት ምስተን ንኸብቶምን ንጥሪቶምን ዚኾና ኸበብተን፡ ኣብታ ምድሪ ግደ
ኣይሀቦምን። 5 ደቂ እስራኤል፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ፡ ከምኡ ገበሩ፡ ነታ ምድሪ ተማቐልዋ።
6 ደቂ ይሁዳ ድማ ኣብ ጊልጋል ናብ እያሱ ቐረቡ፡ ካሌብ፡ ወዲ የፉነ እቲ ቀኔዛዊ፡ ከኣ በሎ፡
እግዚኣብሄር ንሙሴ፡ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ኣብ ቃዴስባርኔዓ ብዛዕባይን ብዛዕባኻን ዝበሎ፡ ንስኻ
ትፈልጥ ኣሎኻ። 7 እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ነታ ምድሪ ኽስሊ፡ ካብ ቃዴስባርኔዓ ኺሰደኒ ኸሎ፡

ኣነ ወዲ ኣርብዓ ዓመት ነበርኩ እሞ ከምቲ ኣብ ልበይ ዝነበረ ቓል መለስኩሉ። [8] እቶም ምሳይ ደዪቦም
ዝነበሩ ኣሕዋተይ ንልቢ እቲ ህዝቢ ኣሸበርዎ፡ ኣነ ግና ንእግዚኣብሄር ኣምላኸይ ፈጺመ ሰዐብክዎ። [9]
ሙሴ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኸይ ፈጺምካ ስለ ዝሰዐብካዮ፡ እታ እግርኻ
ዝረገጸታ ምድሪ ንኣኻን ንደቅኻን ንዘለኣለም ርስቲ ትኹን፡ ኢሉ መሓለ። [10] ሕጂ ድማ እንሆ፡ እቲ
እስራኤል ኣብ በረኻ ኺመላለስ ከሎ፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ እዚ ቓል እዚ ኻብ ዚነግሮ፡ ከምቲ ዝበሎ፡
እግዚኣብሄር እዘን ኣርብዓን ሓሙሽተን ዓመት ብህይወት ኣጽንሓኒ። ሕጂ ኸኣ እንሆ፡ ኣነ ሎሚ ወዲ
ሰማንያን ሓሙሽተን ዓመት ኰይነ ኣሎኹ። [11] ከምታ ሙሴ ኺልእከኒ መዓልቲ፡ ሎሚ ኸኣ ሓይለይ
ከምኡ ኣሎ፡ ንውግእ ኰነ፡ ንምውጻእ ኰነ፡ ንምእታው ኰነ፡ ሓይለይ ከምቲ ሽዑ ዝነበሮ፡ ሕጂ ሓይለይ
ከምኡ ኣሎ። [12] ሕጂ ኸኣ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ እቲኣ እተዛረቦ፡ እዚ ኸረን እዚ ሀበኒ።
ዓናቃውያንን ዓበይትን ዕሩዳትን ከተማታት ድማ ከም ዘለውዋ፡ ንስኻ በታ መዓልቲ እቲኣ ሰሚዕካ ኢኻ
እሞ፡ ምናልባሽ እግዚኣብሄር ምሳይ ይኸውን፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ኸኣ፡ ክሰጎም እየ። [13] እያሱ
ድማ ንካሌብ ወዲ የፉነ መረቖ፡ ኬብሮን ከኣ ንርስቲ ሀቦ። [14] ካሌብ፡ ወዲ የፉነ እቲ ቄኔዛዊ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ፈጺሙ ስለ ዝሰዐቦ፡ ኬብሮን ክሳዕ ሎም መዓልቲ ርስቱ ኾነት። [15]
ቀደም ስም ኬብሮን ቂርያትኣርባ ነበረ። ኣርባ እቲ ኣብ ማእከል ዓናቃውያን ዚዐብዮ ዝነበረ ሰብኣይ
እዩ። እታ ሃገር ድማ ካብ ውግእ ዐረፈት።

# ምዕራፍ 15

[1] ንነገድ ደቂ ይሁዳ ኸከም ዓሌቶም፡ ክሳዕ ዶብ ኤዶም፡ ናብ ወገን ደቡብ ዜብል በረኻ ሲን፡ ክሳዕ
ወሰን ደቡብ ዕጭ በጽሖም። [2] እቲ ናይ ደቡብ ዶቦም ድማ ካብ ወሰን ባሕሪ ጨው፡ ካብቲ ንደቡብ
ዜብል ልሳን ነበረ፡ [3] ንዓቐበት ዓቅራቢም ናብ ደቡቡ ወጺኡ፡ ንሲን ከኣ ሐሊፉ፡ ንቃዴስባርኔዓ ብደቡባ
ደዪቡ፡ ንሔጽሮን ሐሊፉ ድማ ንኣዳር ይድይብ ናብ ቃርቃዓ ኣቢሉ ከኣ ይዘውር። [4] ንዓጽሞን ኣቢሉ
ድማ ይሐልፍ፡ ናብ ርባ ግብጺ ይወጽእ። እቲ ዶብ ከኣ ናብ ባሕሪ ይወጽእ። ናይ ደቡብ ዶብኩም እዚ
ይኹን። [5] ናይ ምብራቕ ዶብ ድማ ባሕሪ ጨው ክሳዕ መወዳእታ ዮርዳኖስ እዩ፡ ናይ ሸነኽ ሰሜን ዶብ
ድማ ካብ ልሳን ባሕሪ ኣብ መወዳእታ ዮርዳኖስ እዩ። [6] እቲ ዶብ ከኣ ንቤትሖግላ ይድይብ እሞ ብሰሜን
ቤትዓራባ ይሓልፍ፡ እቲ ዶብ ድማ ናብ እምኒ ቦሃን ወዲ ሮቤል ይድይብ። [7] እቲ ዶብ ከኣ ካብ ለሰ
ዓኰር ናብ ደቢር ይድይብ፡ ከምኡ ኸኣ ናብ ሴሜን፡ ንጊልጋል ኣቢሉውን ይጥምት፡ ንሱ ኸኣ ኣብ
መንጽር እቲ ኣብ ሸነኽ ደቡቡ ነቲ ርባ ዘሎ ዓቐበት ኣዱሚም እዩ፡ እቲ ዶብ ድማ ንማይ ዔንሸመሽ
ይሐልፍ፡ ናብ ዔንሮጌል ይወጽእ። [8] እቲ ዶብውን በቲ ለሰ ወዲ ሂኖም ገይሩ፡ ናብ ጸግዒ ደቡብ እታ
ይቡሳዊ፡ ንሳ ኸኣ የሩሳሌም፡ ይድይብ። እቲ ዶብ ድማ ናብ ሸነኽ ምዕራብ፡ ኣብ ሴሜናይ ወሰን ለሰ
ረፋይም ናብ ርእሲ እቲ ኣብ ቅድሚ ለሰ ሂኖም ዘሎ ኸረን ይድይብ። [9] ካብ ርእሲ እቲ ኸረን ከኣ እቲ
ዶብ ናብ ዓይኒ ማይ ነፍቶኣ ይሐልፍ፡ ናብ ከተማታት ከረን ዔፍሮንውን ይወጽእ፡ እቲ ዶብ ከኣ ናብ
በዓላ፡ ንሳ ቂርያትየዓሪም፡ ይዘውር። [10] ካብ በዓላ ንምዕራብ ድማ እቲ ዶብ ንኸረን ሰዒር ይዘውር፡ ናብ
ሰሜናይ ጸግዒ ኸረን የዓሪም ከኣ ይሐልፍ፡ ንሱ ኽሳሎን እዩ፡ ንቤትሸመሽ ወሪዱ ድማ ናብ ቲምና
ይሐልፍ። [11] እቲ ዶብ ከኣ ብሰሜን ጸግዒ ዔቅሮን ይወጽእ። እቲ ዶብውን ናብ ሺክሮን ኣቢሉ ይዘውር፡
ብኸረን በዓላ ድማ ይሐልፍ፡ ናብ ያብንኤል ይወጽእ፡ እቲ ዶብ ከኣ ናብ ባሕሪ ይወጽእ። [12] እቲ ናይ
ምዕራብ ዶብ ድማ ዓብዩ ባሕርን ዶቡን እዩ። ዶብ ደቂ ይሁዳ ከከም ዓሌቶም ብዙርያኡ እዚ እዩ። [13]

ንካሌብ ወዲ የፉነ ድማ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንእያሱ ዝኣዘዞ፡ ኣብ ማእከል ደቂ ይሁዳ ግደ ሀቦ፡
ቂርያትኣርባ፡ ኣቦ ዓናቅ፡ ንሳ ኬብሮን እያ። 14 ካሌብ ድማ ንሰለስቲኦም ደቂ ዓናቅ፡ ንሸሻይን ንኣሂማንን
ንታልማይን፡ ወለዶ ዓናቅ ካብኡ ኣውጽኦም 15 ካብኡ ናብቶም ኣብ ደቢር ዜነብሩ ደየበ። ስም ደቢር ከኣ
ቀደም ቂርያትሴፈር ነበረ። 16 ካሌብ ድማ፡ ነቲ ንቂርያትሴፈር ተዋጊኡ ዝሐዛ፡ ዓክሳ ጓለይ ሰበይቲ
ኽትኮኖ ኽሀቦ እየ፡ በለ። 17 ሽዑ ዖትንኤል፡ ወዲ ቄናዝ ሓው ካሌብ፡ ሓዛ እሞ ዓክሳ ጓሉ ሰበይቲ
ኽትኮኖ ሀቦ። 18 ኰነ ኸኣ፡ ምስ መጸት፡ ካብ ኣቦኣ ግራት ኪልምን መኸረቶ፡ ካብ ኣድጋ ኸኣ ወረደት።
ካሌብ ድማ፡ እንታይ ኴንኪ፣ በላ። 19 ንሳ ኸኣ፡ በረኸት ሀበኒ፡ ምድሪ ደቡብ ሂብካኒ ኢኻ እሞ ዓይኒ
ማያት ከኣ ሀበኒ፡ በለት። ንሱ ድማ ላዕላይ ዓይኒ ማያትን ታሕታይ ዓይኒ ማያትን ሀባ። 20 ርስቲ ነገድ
ደቂ ይሁዳ ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡ 21 እተን ብወገን ደቡብ ናብ ዶብ ኤዶም ዜብላ ወሰኖት ከተማታት
ነገድ ደቂ ይሁዳ ድማ፡ እዚኣተን እየን፡ ቃብጽኤልን ዔደርን ያጉርን፡ 22 ቂናን ዲሞናን ዓድዓዳን፡ 23
ቄዴሽን ሓጾርን ዩትናን፡ 24 ዚፍን ጤለምን በዓሎትን፡ 25 ሓጾርሓዳታን ቄሪዮትሔጽሮንን፡ ንሳ ሓጾር እያ፡
26 ኣማምን ሽማዕን ሞላዳን፡ 27 ሓጻርጋዳን ሔሽሞንን ቤትጳለጥን፡ 28 ሓጾርሹዓልን ብኤርሸባዕን
ቢዝዮትያን፡ 29 በዓላን ዒዩምን ዓጸምን፡ 30 ኤልቶላድን ኬሲልን ሖርማን፡ 31 ጺቅላግን ማድማናን
ሳንሳናን፡ 32 ልባኦትን ሺልሂምን ዓዩንን ሪሞንን፡ ኵለን ዕስራን ትሽዓተን ከተማ ምስ ዓድታተን። 33 ኣብ
ቄላ፡ ኤሽታኦልን ጾርዓን ኣሽናን፡ 34 ዛኖኣን ዔንጋኒምን ታጱኣን ዔናምን፡ 35 ያርሙትን ዓዱላምን ሶኮን
ዓዜቃን 36 ሻዓራይምን ዓዲታይምን ግዴራን ግዴሮታይምን፡ ዓሰርተው ኣርባዕተ ኸተማ ምስ ዓድታተን።
37 ጽናን ሓዳሻን ሚግዳልጋድን፡ 38 ዲልዓንን ሚጽጴን ዮቅትኤልን፡ 39 ላኪሽን ቦጽቃትን ዓግሎንን፡ 40
ካቦንን ላሕማስን ኪትሊሽን፡ 41 ግዳሮትን ቤትዳጎንን ናዓማን ማቄዳን፡ ዓሰርተው ሹዱሽተ ኸተማ ምስ
ዓድታተን። 42 ሊብናን ዔተርን ዓሻንን፡ 43 ዩፍታሕን ኣሽናን ንጺብን፡ 44 ቅዒላን ኣክዚብን ማሬሻን፡
ትሽዓተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። 45 ዔቅሮን ምስ ከተማታታን ዓድታታን። 46 ካብ ዔቅሮን ክሳዕ ባሕሪ፡
ኣብ ጥቓ ኣሽዶድ ዘለዋ ዅለን ምስ ዓድታተን። 47 ኣሽዶድ ምስ ከተማታታን። ጋዛ ምስ ከተማታታን
ዓድታታን ክሳዕ ርባ ግብጽን ክሳዕ ዓብዪ ባሕርን ዶቡን። 48 ኣብ ከረን ድማ፡ ሻሚርን ያቲርን ሶኮን፡ 49
ዳናን ቂርያትሳናን፡ ንሳ ደቢር እያ፡ 50 ዓናብን ኤሽትሞን ዓኒምን፡ 51 ጐሼንን ሖሎንን ጊሎን፡ ዓሰርተው
ሓደ ኸተማ ምስ ዓድታተን። 52 ኣራብን ዱማን ኣሼዓንን፡ 53 ያኑምን ቤትታጱኣን ኣፌቃን፡ 54 ሑምታን
ቂርያትኣርባን፡ ንሳ ኼብሮን እያ፡ ጺዖርን፡ ትሽዓተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። 55 ማዖንን ካርሜልን ዚፍን
ዮጣን፡ 56 ይዝርኤልን ዮቅድዓምን ዛኖኣን፡ 57 ቃዩንን ጊብዓን ቲምናን፡ ዓሰርት ኸተማ ምስ ዓድታተን። 58
ሓልሑልን ቤትጹርን ግዶርን፡ 59 ማዓራትን ቤትዓኖትን ኤልትቆንን፡ ሹድሽተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። 60
ቂርያትበዓል፡ ንሳ ቂርያትይዓሪም እያ፡ ራባውን፡ ክልተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። 61 ኣብ በረኻ ቤትዓራባን
ሚዲንን ስካካን፡ 62 ኒብሻንን ዒርሃመላሕን ዔንጌዲን፡ ሹድሽተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። 63 ነቶም ኣብ
የሩሳሌም ዝነበሩ ይቡሳውያን ግና፡ ደቂ ይሁዳ ኺውጽእዎም ኣይከኣሉን። ስለዚ ይቡሳውያን ክሳዕ ሎሚ
መዓልቲ ምስ ደቂ ይሁዳ ኣብ የሩሳሌም ይነብሩ ኣለዉ።

## ምዕራፍ 16

1 እቲ ዕጫ ደቂ ዮሴፍ ድማ ካብ ዮርዳኖስ ጥቓ ያሪኮ ብወገን ምብራቕ ንማይ ያሪኮ፡ ካብ ያሪኮ ድማ
በቲ ናብ ከረን ቤትኤል ዜደይብ በረኻ ወጸሎም። 2 ካብ ቤትኤል ናብ ሉዝ ወጺኡ ኸኣ፡ ብዶብ
ኣርካውያን ገይሩ ናብ ዓጣሮት ይሐልፍ። 3 ብምዕራብ ከኣ ዶብ ያፍለጣውያን ክሳዕ ዶብ ታሕታይ

ቤትሖሮንን ክሳዕ ጌዘርን ይወርድ፡ ናብ ባሕሪ ድማ ይወጽእ። 4 ደቂ ዮሴፍ፡ ምናሴን ኤፍሬምን፡ ድማ
ርስቶም ወሰዱ። 5 ዶብ ደቂ ኤፍሬም ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡ ዶብ ርስቶም ብምብራቕ ዓጣሮትኣዳር
ክሳዕ ላዕላይ ቤትሖሮን እዩ። 6 እቲ ዶብ ብወገን ምዕራብ ከኣ ንሰሜን ሚክመታት ይወጽእ፡ እቲ ዶብ
ድማ ንምብራቕ ኣቢሉ ናብ ታኣናትሺሎ ዞይሩ ናብ ምብራቕ ያኖኣ ይሐልፍ። 7 ካብ ያኖኣ ኸኣ ናብ
ዓጣሮትን ናብ ናዓራን ይወርድ፡ ናብ ያሪኮ በጺሑ፡ ናብ ዮርዳኖስ ይወጽእ። 8-9 ካብ ታጱኣ እቲ ዶብ
ንምዕራብ ኣቢሉ ኽሳዕ ርባ ቃና ሐሊፉ ናብ ባሕሪ ይወጽእ። ምስተን ኣብ ማእከል ርስቲ ደቂ ቃናሴ
ዘለዋ ንደቂ ኤፍሬም እተፈልያ ኸተማታት፡ ኲለን ከተማታት ምስ ዓድታተን፡ ርስቲ ነገድ ደቂ ኤፍሬም
ከከም ዓሌቶም እዚኣተን እየን። 10 ንሳቶም ግና ነቶም ኣብ ጌዘር ዚነብሩ ኸነኣናውያን ክሳዕ ሎሚ ኣብ
ማእከል ደቂ ኤፍሬም ይቕመጡ ኣለዉ፡ ገባሮም ከኣ ኰኑ።

# ምዕራፍ 17

1 ንነገድ ምናሴ ድማ፡ በኹሪ ዮሴፍ እዩ እሞ፡ ዕጫ እዚ እዩ፡ ማኪር፡ በኹሪ ምናሴ ኣቦ ጊልዓድ፡
ተዋጋኢ ሰብኣይ ነበረ እሞ፡ ጊልዓድን ባሳንን ንእኡ ኾና። 2 ነቶም ዝተረፉ ደቂ ምናሴ ድማ ከከም
ዓሌቶም ዕጭ በጽሖም፡ ንደቂ ኣቢዔዘርን ንደቂ ሔሌቅን ንደቂ ኣስሪኤልን ንደቂ ሴኬምን ንደቂ ሔፈርን
ንደቂ ሸሚዳን፡ ተባዕትዮ ደቂ ምናሴ ወዲ ዮሴፍ፡ ከከም ዓሌቶም እዚኣቶም እዮም። 3 ግናኸ ጸሎፈሓድ፡
ወዲ ሔፈር ወዲ ጊልዓድ ወዲ ማኪር ወዲ ምናሴ፡ ኣዋልድ ጥራይ እምበር፡ ኣወዳት ኣይነበርዎን፡ ስም
እተን ኣዋልዱ ከኣ እዚ እዩ፡ ማሕላ፡ ኖዓ፡ ሖግላ፡ ሚልካ፡ ቲርጻ። 4 ኣብ ቅድሚ ኻህን ኣልኣዛርን ኣብ
ቅድሚ እያሱ ወዲ ነዌን ኣብ ቅድሚ ሹማምትን ቀሪበን፡ እግዚኣብሄር ንሙሴ ኣብ ማእከል ኣሕዋትና
ርስቲ ኺሀበና ኣዘዝዎ እዩ፡ በላ። ከምቲ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ማእከል ሓወቦታተን ርስቲ
ሀበን። 5-6 እተን ኣዋልድ ምናሴ ኣብ ማእከል እቶም ደቁ ርስቲ ስለ ዝወረሳ፡ ንምናሴ ብዘይ እታ ኣብ
ስግር ዮርዳኖስ ዘላ ምድሪ ጊልዓድን ባሳንን፡ ዓሰርተ ዕጭ ወደቐሉ። ምድሪ ጊልዓድ ከኣ ነቶም ዝተረፉ
ደቂ ምናሴ ኾነት። 7 ዶብ ምናሴ ድማ ካብ ኣሴር ናብታ ኣብ መንጽር ሴኬም ዘላ ሚክሜታት ኰነ።
እቲ ዶብ ከኣ ንየማን ኣቢሉ ናብቶም ኣብ ዔንታጱኣ ዚነብሩ ይሐልፍ። 8 ምድሪ ታጱኣ ንምናሴ ኾነት፡
እታ ኣብ ዶብ ምናሴ ዘላ ታጱኣ ግና ንደቂ ኤፍሬም ኰነት። 9 እቲ ዶብ ከኣ ናብ ርባ ቃና ብደቡብ እቲ
ርባ ይወርድ። እዘን ከተማታት እዚኤን፡ ኣብ ማእከል ከተማታት ምናሴ ኸነሰን፡ ንኤፍሬም ኰና፡ ዶብ
ምናሴ ድማ ብሰሜን እቲ ርባ እዩ፡ ናብ ባሕሪ ኣቢሉ ኸኣ ይወጽእ። 10 ደቡብ ንኤፍሬም፡ ሰሜን ድማ
ንምናሴ ኾነ፡ ዶቡ ኸኣ ባሕሪ እዩ። ብሰሜን ናብ ኣሴር ብምብራቕ ከኣ ናብ ይሳኮር ይበጽሕ። 11 ድማ
ኣብ ይሳኮርን ኣብ ኣሴርን፡ ቤትሸኣንን ዓድታታን፡ ዩብልዓምን ዓድታታን ድማ፡ ኣብ ዶር ዚነብሩን
ዓድታታን፡ ኣብ ዔንዶር ዚነብሩን ዓድታታን፡ ኣብ ታዓናክ ዚነብሩን ዓድታትን፡ ኣብ መጊዶ ዚነብሩን
ዓድታትን፡ ሰለስቲኤን በረኽቲ ንምናሴ ኾኖ። 12 ግናኸ ደቂ ምናሴ ንሰብ እዘን ከተማታት እዚኤን
ኬውጽእዎም ኣይከኣሉን እሞ፡ ከነኣናውያን ኣብታ ሃገር ኪቕመጡ ቘረጹ። 13 ኰነ ኸኣ፡ ደቂ እስራኤል
ምስ ሐየሉ፡ ነቶም ከነኣናውያን ኣገበርዎም እምበር፡ ኣይሰጐጕዎምን። 14 ደቂ ዮሴፍ ድማ ንእያሱ፡
ብዙሕ ህዝቢ ኽሳዕ ዝኸውን እግዚኣብሄር ክሳዕ ክንድዚ ባሪኹኒ ኸሎስ፡ ስለምንታይ ኢኻ ሓደ ዕጭን
ሃደ ኽፍልን ጥራይ ርስቲ ዝሀብካኒ፧ ኢሎም ተዛረብዎም። 15 እያሱ ኸኣ፡ ብዙሕ ህዝቢ እንተ ኼንካ እሞ
ከረን ኤፍሬም እንተ ደኣ ጸበባካ፡ ኣብ ምድሪ ፈረዛውያንን ረፋይምን ናብ ዘሎ ዱር ደይብ፡ ኣብኡ ኸኣ
ንኣኻ ልበድ፡ በሎም። 16 ደቂ ዮሴፍ ድማ፡ እቲ ኸረን ኣይኣኽለናን፡ እቶም ኣብ ምድሪ ለሰ ዚነብሩ

ኸነኣናውያን፡ እቶም ኣብ ቤትሸኣንን ኣብ ዓድታታን ዚነብሩ ኹሎ፡ ኣብ ለሰ ይዝርኤል ዚነብሩ ኹሎ፡
ኵላቶም ሰረገላታት ሓጺን ኣለዎም፡ በሉ። 17 እያሱ ኸኣ ንቤት ዮሴፍ፡ ንኤፍሬምን ንምናሴን፡ ንስኻ
ብዙሕ ህዝቢ ኢኻ፡ ዓብዪ ሓይሊውን ኣሎካ፡ ሓደ ጥራይ ኣይኹነልካ፡ 18 እቲ ኸረን ድማ ንኣኻ ይኹን፡
ዱር ከነሱ፡ ልበዶ እሞ ብዘሎ ናትካ ኪኸውን እዩ። ነቶም ከነኣናውያን ከኣ፡ ሰረገላ ሓጺን እኳ
እንተለዎም ሓያላትውን እንተ ኾኑ፡ ከተውጽኦም ኢኻ፡ ኢሉ ተዛረቦም።

# ምዕራፍ 18

1 ብዘሎ እቲ ኣኼባ ደቂ እስራኤል ድማ ኣብ ሺሎ ተኣከበ፡ ነቲ ድንኳን ምርኻብ ከኣ ኣብኣ ተኸልዎ።
እታ ሃገር ድማ ተገዝኣትሎም። 2 ካብ ደቂ እስራኤል ሾብዓተ ነገድ ርስቶም ዘይተመቕሉ ተሪፎም ነበሩ። 3
እያሱ ኸኣ ንደቂ እስራኤል በሎም፡ ነዛ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም ዝሀበኩም ምድሪ ኼድኩም፡
ንምውራሳ ኽሳዕ መኣዝ ኢኹም ሸለል እትብሉ፡ 4 ከካብ ነገድኩም ሰለስተ ሰብኣይ ሕረዩ፡ ኣነ ኸኣ
ክልእኮም እየ፡ ተንሲኦም ድማ ነታ ሃገር ከይዶም ከከም ርስቶም ጽሒፎም፡ ናባይ ይምጽኡ። 5 ኣብ
ሾብዓተ ኽፍሊ ከኣ ይምቀልዋ፡ ይሁዳ ኣብ ዶቡ ብወገን ደቡብ ይቀመጥ። ቤት ዮሴፍውን ኣብ ዶቦም
ብወገን ሰሜን ይቀመጡ። 6 ነታ ምድሪ ኸኣ ንስኻትኩም ኣብ ሾብዓተ ኽፍሊ ጽሒፍኩም፡ ናብዚ ናባይ
ኣምጽኡለይ፡ ኣነ ድማ ኣብዚ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዕጭ ከውድቕልኩም። 7 እቶም
ሌዋውያን ግና፡ ርስቶም ክህነት እግዚኣብሄር እዩ እሞ ኣብ ማእከልኩም ግደ የብሎምን። ጋድን ሮቤልን
ፈረቓ ነገድ ምናሴን ድማ እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ዝሀቦም ርስቶም ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ብወገን
ምብራቕ ወሲዶም ኣለዉ። 8 እቶም ሰባት ድማ ተንሲኦም ከዱ፡ እያሱ ኸኣ ነቶም ነታ ምድሪ ኺጽሕፍዋ
ዝኸዱ፡ ኬድኩም ነታ ምድሪ እናዞርኩም ጽሐፍዋ፡ ናባይ ድማ ተመለሱ፡ ኣነ ኸኣ ኣብዚ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣብ ሺሎ ዕጭ ከውድቕልኩም እየ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 9 እቶም ሰባት ከኣ ኺይዶም በታ ሃገር
ሐሊፉ፡ ከምተን ከተማታት ድማ ኣብ ሾብዓተ ኽፍሊ መቒሎም፡ ኣብ መጽሓፍ ጸሐፍዋ፡ ናብቲ ሰፈር
ኣብ ሺሎ ኸኣ ናብ እያሱ መጹ። 10 እያሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ሺሎ ዕጭ ኣውደቐትሎም
እሞ ኣብኡ እያሱ ነታ ሃገር ንደቂ እስራኤል ከከም ክፍልታቶም ገይሩ መቐሎም። 11 ንነገድ ደቂ ብንያም
ከከም ዓሌቶም ዕጭ ወጸሎም። ዶብ ዕጭም ከኣ ኣብ መንጎ ደቂ ይሁዳን ደቂ ዮሴፍን ወጸሎም። 12 እቲ
ዶቦም ብወገን ሰሜን ድማ ካብ ዮርዳኖስ እዩ፡ እቲ ዶብ ከኣ ብሰሜናይ ጸግዒ ያሪኮ ደየበ፡ ነቲ ኸረን
ድማ ብምዕራቡ ደዪቡ ናብ በረኻ ቤትኣዌን ይወጽእ። 13 ካብኡ ኸኣ እቲ ዶብ ናብ ሉዝ፡ ናብቲ ደቡብ
ጸግዒ ሉዝ፡ ንሳ ኸኣ ቤትኤል፡ ይሐልፍ። እቲ ዶብ ድማ በቲ ኣብ ደቡብ ታሕተይቲ ቤትሖሮን ዘሎ
ኸረን ኣቢሉ ናብ ዓጣሮትኣዳር ይወርድ። 14 እቲ ዶብ ድማ ቀጺሉ ኻብቲ ኣብ መንጽር ቤትሖሮን
ብደቡቡ ዘሎ ኸረን ብወገን ምዕራብ ኣቢሉ ንደቡብ ይዘውር። ናብ ቂርያትበዓል፡ ንሳ ኸኣ
ቂርያትየዓሪም፡ ናብ ከተማ ደቂ ይሁዳ ይወጽእ። እዚ ወገን ምዕራቡ እዩ። 15 ወገን ደቡብ ድማ ካብ
ወሰን ቂርያትየዓሪም እዩ፡ እቲ ዶብ ከኣ ንምዕራብ ኣቢሉ ይወጽእ፡ ናብ ዓይኒ ማይ ነፍቶኣ ድማ
ይወጽእ። 16 እቲ ዶብ ከኣ ናብ ወሰን እቲ ኣብ መንጽር ለሰ ወዲ ሂኖም ዘሎ ኸረን ይወርድ፡ ንሱ ኸኣ
ንለሰ ረፋይም ኣብ ሰሜኑ እዩ። ድማ ናብ ለሰ ሂኖም ናብ ጸግዒ ደቡብ ይቡሳውያን ይወርድ፡ ናብ
ዔንሮጌል ከኣ ይወርድ። 17 ወሲኹ ድማ ንሰሜን ኣቢሉ ናብ ዔንሸመሽ ይወጽእ፡ ናብቲ ኣብ መንጽር
ዓቐበት ኣዱሚም ዘሎ ገሊሎት ወጺኡ ኸኣ፡ ናብ እምኒ ቦሃን ወዲ ሮቤል ይወርድ። 18 ድማ ነቲ ኣብ
መንጽር ጸግዒ ሰሜን ዓራባ ዘሎ ሐሊፉ፡ ናብ ዓራባ ይወርድ። 19 እቲ ዶብ ከኣ ብጸግዒ ሰሜን ቤትሖግላ

ይሐልፍ፡ ካብኣ እቲ ዶብ ናብ ናይ ሰሜን ልሳን ባሕሪ ጨው ኣብ ደቡብ ወሰን ዮርዳኖስ ይወጽእ። ናይ
ደቡብ ዶቡ እዚ እዩ። [20] ብወገን ምብራቕ ከኣ ዶቡ ዮርዳኖስ እዩ። ርስቲ ደቂ ብንያም ከከም ዓሌቶም
ምስ ዶቡ ብዙርያኡ እዚ እዩ። [21] ከተማታት ነገድ ደቂ ብንያም ከከም ዓሌቶም ድማ እዚኣተን እየን፡
ያሪኮን ቤትሖግላን ኤሜቅቀጺጽን፡ [22] ቤትዓራባን ጸማራዪምን ቤትኤልን፡ [23] ዓዊምን ጳራን ዖፍራን፡ [24]
ኬፉርዓሞናይን ዖፍኒን ገባዕን፡ ዓሰርተው ክልተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። [25] ጊብዖንን ራማን ብኤሮትን፡
[26] ሚጽጴን ኬፊራን ሞጻን፡ [27] ሬቀምን ዩርጰኤልን ታርኣላን፡ [28] ጼላን ኤሌፍን ይቡሲን፡ ንሳ ኸኣ
የሩሳሌም እያ፡ ጊብዓትን ቂርያትን፡ ዓሰርተው ኣርባዕተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። ርስቲ ደቂ ብንያም
ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ።

# ምዕራፍ 19

[1] እቲ ኻልኣይ ዕጭ ድማ ንስምኦን፡ ንነገድ ደቂ ስምኦን ከከም ዓሌቶም ወጸሎም። እቲ ርስቶም ከኣ ኣብ
ማእከል ርስቲ ደቂ ይሁዳ ነበረ። [2] ኣብ ርስቶም ዝኾና ኸኣ፡ ብኤርሻባዕን ሸባን ሞላዳን፡ [3] ሓጻርሹዓልን
ባላን ዓጸምን፡ [4] ኤልቶላድን በቱላን ሖርማን፡ [5] ጺቅላግን ቤትማርከቦትን ሓጻርሱሳን፡ [6] ቤትለባኦትን
ሻሩሔንን፡ ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማ ምስ ዓድታተን፡ [7] ዓዩንን ሪሞንን ዔተርን ዓሻንን፡ ኣርባዕተ ኸተማ
ምስ ዓድታተን። [8] ኣብ ዙርያ እዘን ከተማታት እዚኤን ክሳዕ በዓላትብኤር፡ ንሳ ኸኣ እታ ናይ ደቡብ
ራማ፡ ዘለዋ ዅለን ዓድታት። ርስቲ ነገድ ደቂ ስምኦን ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ። [9] ርስቲ ደቂ ስምኦን ካብ
ግደ ደቂ ይሁዳ ኾነ፡ ግደ ደቂ ይሁዳ ንኣታቶም እምብዛ ገፊሕዎም ነበረ እሞ፡ ስለዚ ደቂ ስምኦን ኣብ
ማእከል ርስቲ እቲኣቶም ተረስተዩ። [10] እቲ ሳልሳይ ዕጭ ድማ ንደቂ ዛብሎን ከከም ዓሌቶም ወጸሎም።
ዶብ ርስቶም ከኣ ክሳዕ ሳሪድ እዩ። [11] ዶቦም ድማ ንምዕራብ ናብ ማርዓላ ኣቢሉ ይድይብ እሞ ናብ
ዳበሸት ኣቢሉ ናብቲ ኣብ መንጽር ዮቅነዓም ዘሎ ርባ ይበጽሕ። [12] ካብ ሳሪድ ከኣ ናብ ምብራቕ፡ ናብ
ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ ዶብ ኪስሎትታቦር ይምለስ፡ ናብ ደብራት ወጺኡ ናብ ያፊዓ ድማ ይድይብ። [13]
ካብኣ ኸኣ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ናብ ጋትሔፈርን ናብ ዒታቃጺንን ይሐልፍ፡ ናብታ ናብ ኔዓ እትበጽሕ
ሪሞን ይወጽእ። [14] እቲ ዶብ ድማ ንእኣ ዞይሩ ብሰሜን ገይሩ ናብ ሓናቶን የብል ናብ ለሰ ይፍታሕኤል
ከኣ ይወጽእ። [15] ቃጣትን ናሃላልን ሺምሮንን ዪድኣላን ቤትልሄምን፡ ዓሰርተው ክልተ ኸተማ ምስ
ዓድታተን። [16] ርስቲ ደቂ ዛብሎን ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡ እዘን ከተማታት እዚኤን ምስ ዓድታተን። [17]
እቲ ራብዓይ ዕጭ ንይሳኮር፡ ንደቂ ይሳኮር ከከም ዓሌቶም ወጸሎም። [18] ዶቦም ድማ ናብ ይዝርኤል
ኬሱሎትን ሹነምን ይበጽህ። [19] ናብ ሓፍራዪምን ሺኦንን ኣናሓራትን፡ [20] ራቢትን ቂሽዮንን ኣቤጽን፡ [21]
ሬመትን ዔንጋኒምን ዔንሓዳን ቤትጳጼጽን። [22] እቲ ዶብ ከኣ ናብ ታቦትን ሻሓጺማን ቤትሽመሽን
ይበጽሕ። እቲ ዶቦም ድማ ናብ ዮርዳኖስ ይወጽእ፡ ዓሰርተው ሹድሽተ ኸተማ ምስ ዓድታተን። [23] ርስቲ
ነገድ ይሳኮር ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡ እተን ከተማታት ምስ ዓድታተን። [24] እቲ ሓምሳይ ዕጭ ከኣ
ንነገድ ደቂ ኣሴር ከከም ዓሌቶም ወጸሎም። [25] ዶቦም ድማ ሔልቃትን ሓሊን ቤጤንን ኣክሻፍን እዩ፡ [26]
ድማ ኣላመሌክን ዓምዓድን ምሽኣልን፡ ብወገን ምዕራብ ከኣ ናብ ካርሜልን ናብ ሺሖርሊብናትን
ይበጽሕ። [27] ንምብራቕ ጸሓይ ኣቢሉ ናብ ቤትዳጎን ይምለስ፡ ናብ ዛብሎንን ናብ ለሰ ይፍታሕኤል ኣብ
ሰሜን ቤትዔመቅን ነዒኤልን በጺሑ፡ ብጸጋም ካቡል ይወጽእ። [28] ድማ ናብ ዔብሮንን ናብ ሬሖብን ናብ
ሓሞንን ናብ ቃናን ክሳዕ እታ ዓባይ ሲዶን ይበጽሕ። [29] እቲ ዶብ ድማ ብራማ ኣቢሉ ኽሳዕ እታ
እተዐርደት ከተማ ጢሮስ ይምለስ፡ እቲ ዶብ ከኣ ናብ ሖሳ ይምለስ እሞ ናብ ባሕሪ ምድሪ ኣክዚብ

ይወጽእ። 30 ድማ ዑማን ኣፌቅን ሬሑብን፡ ዕስራን ክልተን ከተማ ምስ ዓድታተን። 31 ርስቲ ነገድ ደቂ
ኣሴር ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡ እዘን ከተማታት እዚኤን ምስ ዓድታተን። 32 እቲ ሳድሳይ ዕጭ ንደቂ
ንፍታሌም፡ ንደቂ ንፍታሌም ከከም ዓሌቶም ወጸሎም። 33 ዶቦም ድማ ካብ ሔሌፍን ካብታ ኣብ
ጸዓናኒም ዘላ ኤሎንን ኣዳሚኔቄብን ያብነኤልን ክሳዕ ላቁም በጺሑ፡ ናብ ዮርዳኖስ ይወጽእ። 34 እቲ ዶብ
ድማ ንምዕራብ ኣቢሉ፡ ናብ ኣዝኖትታቦር ይምለስ፡ ካብኡ ኸኣ ናብ ሑቆት ይወጽእ እሞ ብደቡብ ናብ
ዛብሎን ብምዕራብውን ናብ ኣሴር፡ ብምብራቕ ጸሓይ ድማ ናብ ይሁዳ ዮርዳኖስ ይበጽሕ። 35 እተን
እተዐርዳ ኸተማታት ድማ፡ ጺድምን ጼርን ሓማትን ራቃትን ኪነሬትን፡ 36 ኣዳማን ራማን ሓጾርን፡ 37
ቄዴሽን ኤድሬዒን ዔንሓጾርን፡ 38 ዩርኦንን ሚግዳልኤልን ሖሬምን ቤትዓናትን ቤትሸመሽን፡ ዓሰርተው
ትሽዓተ ኸተማ ምስ ዓድታተን እየን። 39 ርስቲ ነገድ ደቂ ንፍታሌም ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡ እዘን
ከተማታት እዚኤን ምስ ዓድታተን። 40 እቲ ሳብዓይ ዕጭ ንነገድ ደቂ ዳን ከከም ዓሌቶም ወጸሎም። 41
ዶብ ርስቶም ድማ ጾርዓን ኤሽታኦልን ዒርሽመሽን፡ 42 ሻዓላቢንን ኣያሎንን ዩትላን፡ 43 ኤሎንን ቲምናታን
ዔቅሮንን፡ 44 ኤልትቄን ጊብቶንን ባዓላትን፡ 45 ይሁዳን በነብራቅን ጋትሪሞንን፡ 46 መያርቆንን ራቆንን
ምስቲ ኣብ መንጽር ያፎ ዘሎ ዶብ። 47 እቶም ደቂ ዳን ድማ ደየቡ እሞ ንለሼም ተዋጊኦም ሐዝዋ፡
ብስሕለት ሴፍ ከኣ ኣጥፍእዋ፡ ወሪሶም ድማ ተቐመጥዋ እሞ፡ ዶብ ደቂ ዳን ካብ ናቶም ሐሊፉ ወጸ፡
ንለሼም ከኣ፡ ከም ስም ኣቦኦም፡ ዳን ኢሎም ሰመይዋ። 48 ርስቲ ነገድ ደቂ ዳን ከከም ዓሌቶም እዚ እዩ፡
እዘን ከተማታት እዚኤን ምስ ዓድታተን። 49 ነታ ምድሪ በብዶባ ንርስቲ ምስ ተማቐልዋ ኸኣ፡ ደቂ
እስራኤል ንእያሱ ወዲ ነዌ ኣብ ማእከሎም ርስቲ ሀብዎ። 50 ከም ትእዛዝ እግዚኣብሄር እታ ዝደለያ ኣብ
ከረን ኤፍሬም ዘላ ኸተማ፡ ቲምናትሴራ ሀብዎ። ነታ ኸተማ ሰርሓ፡ ኣብኣ ድማ ተቐመጠ። 51 እቲ ኻህን
ኣልኣዛርን እያሱ ወዲ ነዌን ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ነገዳት ደቂ እስራኤልን ኣብ ሺሎ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣብ ደገ ድንኳን ምርኻብ ኹይኖም፡ ብዕጭ ዝመቐልዎ ርስትታት እዚ እዩ። ምምቃል እታ
ምድሪ ኸኣ ወድኡ።

# ምዕራፍ 20

1 እግዚኣብሄር ድማ ንእያሱ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 2-3 ንደቂ እስራኤል ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፡ እቲ ብዘይ
ሓሳብ ከይፈለጠ፡ ነፍሲ ዝቐተለ ቐታሊ ናብኤን ኪሀድም እሞ፡ ካብ ፈዳይ ደም መዕቈቢ ኪኾናኹም፡
እተን ብሙሴ ዝበልኩኹም ከተማታት መዕቈቢ ንኣኻትኩም ፍለይወን። 4 ንሱ ናብ ሓንቲ ኻብዘን
ከተማታት እዚኤን ይሀደም፡ ኣብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ ደው ኢሉ ኸኣ፡ እቲ ነገሩ ነቶም ዓበይቲ እታ
ኸተማ እቲኣ ኺሰምዕዎ ይንገሮም። ናብታ ኸተማ ናባታቶም ይቀበልዎ፡ ምሳታቶም ዚነብረላ ቦታ ድማ
ይሀብዎ። 5 ነቲ ብጸዩ፡ ቀደም ጽልኢ ዘይነበሮ፡ ከይፈለጠ ቐቲልዎ እዩ እሞ፡ እቲ ፈዳይ ደም እንተ
ሰጐጎ፡ ነቲ ዝቐተለ ኣሕሊፎም ኣብ ኢዱ ኣይሀብዎ። 6 ኣብ ቅድሚ ኣኼባ ንፍርዲ ኽሳዕ ዚቐውም፡ እቲ
በተን መዓልትታት እቲኤን ዘሎ ሊቀ ኻህናት ክሳዕ ዚመውት ኣብታ ኸተማ ይቀመጥ። ሽዑ እቲ ቐታሊ
ተመሊሱ ናብ ከተማኡን ናብ ቤቱን፡ ናብታ ኻብኣ ዝሀደመላ ኸተማ፡ ይእቶ። 7 እምበኣርሲ ኣብ ገሊላ
ኣብ ከረን ንፍታሌም ቄዴስ፡ ኣብ ከረን ኤፍሬም ድማ ሴኬም፡ ኣብ ከረን ይሁዳ ኸኣ ቂርያትኣርባ፡ ንሳ
ድማ ኬብሮን፡ ፈለዩ። 8 ካብ ነገድ ሮቤል ከኣ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡ ኣብ ምብራቕ ያሪኮ እታ ኣብ በረኻ፡
ኣብ ጐልጐል ዘላ ቤጻር፡ ካብ ነገድ ጋድ ድማ እታ ኣብ ጊልዓድ ዘላ ራሞት፡ ካብ ነገድ ምናሴውን እታ
ኣብ ባሳን ዘላ ጎላን ፈለዩ። 9 እተን ንኹሎም ደቂ እስራኤልን ኣብ ማእከሎም ንዚነብር ጓናን፡ እቲ ብዘይ

ሓሳብ ነፍሲ ዝቐተለ ዘበለ፡ ኣብ ቅድሚ ኣኼባ ደው ክሳዕ ዚብል፡ ብኢድ ፈዳይ ደም ከይመውትሲ፡
ኪሀድመለን እተመደባ ኸተማታት እዚኣተን እየን።

# ምዕራፍ 21

[1] እቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ሌዋውያን ድማ ናብ ካህን ኣልኣዛርን ናብ እያሱ ወዲ ነዌን ናብ
ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ነገዳት ደቂ እስራኤልን ቀሪቦም፡ [2] ንሕና እንነብረለን ከተማታትን እቲ
ኸባቢኤን ድማ ንማልና ዚኸውን ኰህቡና፡ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ኣዘዙ እዩ፡ ኢሎም ኣብ ምድሪ
ኸነኣን ኣብ ሺሎ ተዛረብዎም። [3] ሽዑ ደቂ እስራኤል ከምቲ ትእዛዝ እግዚኣብሄር ካብ ርስቶም እዘን
ከተማታት እዚኤን መምስ ከባቢኤን ንሌዋውያን ሀብዎም። [4] ንዓሌታት ቀሃታውያን ከኣ ዕጭ ወጸሎም፡
ነቶም ካብ ሌዋውያን ዝነበሩ ደቂ ኻህን ኣሮን ካብ ነገድ ይሁዳን ካብ ነገድ ስምኦናውያንን ካብ ነገድ
ብንያምን ብዕጭ ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማ በጽሖም። [5] ነቶም ዝተረፉ ደቂ ቀሃት ድማ፡ ካብ ዓሌታት
ነገድ ኤፍሬምን ካብ ነገድ ዳንን ካብ ፈረቓ ነገድ ምናሴን ብዕጭ ዓሰርተ ኸተማ በጽሖም። [6] ንደቂ
ጌርሾን ከኣ ካብ ዓሌታት ነገድ ይሳኮርን ካብ ነገድ ኣሴርን ካብ ነገድ ንፍታሌምን ካብ ፈረቓ ነገድ
ምናሴን ኣብ ባሳን ብዕጭ ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማ በጽሖም። [7] ንደቂ መራሪ ኸከም ዓሌቶም ካብ ነገድ
ሮቤልን ካብ ነገድ ጋድን ካብ ነገድ ዛብሎንን ዓሰርተው ክልተ ኸተማ በጽሖም። [8] ደቂ እስራኤል ከኣ፡
ከምቲ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ ዝኣዘዞ፡ እዘን ከተማታት እዚኤን መምስ ከባቢኤን ንሌዋውያን ብዕጭ
ሀብዎም። [9] ካብ ነገድ ደቂ ይሁዳን ካብ ነገድ ደቂ ስምኦንን ድማ እዘን ብስመን እተሰምያ ኸተማታት
ሀቡ። [10] ነቶም ካብ ደቂ ሌዊ፡ ካብ ዓሌታት ቀሃታውያን ዝነበሩ ደቂ ኣሮን፡ ቀዳማይ ዕጭ ናቶም ነበረ
እሞ፡ ንኣታቶም ኰነ። [11] ኣብ ከረን ይሁዳ ድማ ቂርያትኣርባ፡ ኣቦ ዓናቅ፡ ንሳ ኸኣ ኬብሮን፡ ምስቲ ኣብ
ዙርያኣ ዘሎ ኸባቢኣ ሀብዎም። [12] ግርሁ እታ ኸተማን ኣቐዅሻታን ግና ንካሌብ ወዲ የፉነ ርስቲ ሀብዎ። [13]
ንደቂ ኻህን ኣሮን ከኣ እታ ኸተማ መዕቈብ ቀታሊ፡ ኬብሮን ምስ ከባቢኣን ሊብና ምስ ከባቢኣን
ሀብዎም። [14] ያቲር ምስ ከባቢኣን ኤሽትሞዓ ምስ ከባቢኣን፡ [15] ሖሎን ምስ ከባቢኣን ደቢር ምስ
ከባቢኣን፡ [16] ዓይን ምስ ከባቢኣን ዮጣህ ምስ ከባቢኣን ቤትሸመሽ ድማ ምስ ከባቢኣን፡ ካብዞም ክልተ
ነገድ እዚኦም ትሽዓተ ኸተማ። [17] ካብ ነገድ ብንያም ድማ ጊብዖን ምስ ከባቢኣን ጌባዕ ምስ ከባቢኣን፡ [18]
ዓናቶት ምስ ከባቢኣን ዓልሞን ከ ኣምስ ከባቢኣን፡ ኣርባዕተ ኸተማ። [19] ኵለን ከተማታት እቶም ካህናት
ደቂ ኣሮን ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማታት መምስ ከባቢኤን። [20] ነቶም ዓሌታት ደቂ ቀሃት ሌዋውያን፡
እቶም ዝተረፉ ደቂ ቀሃት፡ ድማ ከተማታት ዕጮም ካብ ነገድ ኤፍሬም በጽሖም። [21] እታ ኣብ ከረን
ኤፍሬም ዘላ ኸተማ መዕቈብ ቀታሊ፡ ሴኬም ምስ ከባቢኣን ጌዘር ምስ ከባቢኣን፡ [22] ቂብጻይም ምስ
ከባቢኣን ቤትሖሮን ምስ ከባቢኣን ድማ፡ ኣርባዕተ ኸተማ ሀብዎም። [23] ካብ ነገድ ዳን ከኣ ኤልትቄ ምስ
ከባቢኣን፡ ጊብቶን ድማ ምስ ከባቢኣን፡ [24] ኣያሎን ምስ ከባቢኣን ጋትሪሞን ከኣ ምስ ከባቢኣን፡ ኣርባዕተ
ኸተማ። [25] ካብ ፈረቓ ነገድ ምናሴ ታዓናክ ምስ ከባቢኣን ጋትሪሞንውን ምስ ከባቢኣን፡ ክልተ ኸተማ።
[26] ናይቶም ካብ ደቂ ቀሃት ዝተረፉ ዓሌታት ኵለን ከተማታት መምስ ከባቢኤን ዓሰርተ እየን። [27] ነቶም
ካብ ዓሌታት ሌዋውያን ደቂ ጌርሾን ከኣ ካብ ፈረቓ ነገድ ምናሴ እታ ኣብ ባሳን ዘላ ኸተማ መዕቈብ
ቀታሊ፡ ጎላን ምስ ከባቢኣን ቤዔሽትራ ምስ ከባቢኣን፡ ክልተ ኸተማ። [28] ካብ ነገድ ይሳኮር ድማ ቂሽዮን
ምስ ከባቢኣን ዳብራት ምስ ከባቢኣን፡ [29] ያርሙት ምስ ከባቢኣን ዔንጋኒም ምስ ከባቢኣን፡ ኣርባዕተ
ኸተማ። [30] ካብ ነገድ ኣሴር ከኣ ሚሽኣል ምስ ከባቢኣን ዓብዶን ምስ ከባቢኣን፡ [31] ሔልቃት ምስ

ከባቢኣን ሬሖብ ምስ ከባቢኣን፡ ኣርባዕተ ኸተማ። 32 ካብ ነገድ ንፍታሌም ድማ እታ ኸተማ መዕቈብ
ቀታሊ፡ ቃዴስ ኣብ ገሊላ ምስ ከባቢኣን ሓሞትዶር ምስ ከባቢኣን ቃርታን ምስ ከባቢኣን፡ ሰለስተ
ኸተማ። 33 ኵለን ከተማታት ጌርሾናውያን ከከም ዓሌቶም ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማ መምስ ከባቢኤን
ሀብዎም። 34 ነቶም ዝተረፉ ሌዋውያን፡ ዓሌታት ደቂ መራሪ ካብ ነገድ ዛብሎን፡ ድማ ዮቅነዓም ምስ
ከባቢኣን ቃርታ ምስ ከባቢኣን፡ 35 ዲምና ምስ ከባቢኣን ናሃላል ምስ ከባቢኣን፡ ኣርባዕተ ከተማ። 36 ካብ
ነገድ ሮቤል ድማ ቤጾር ምስ ከባቢኣን ያህጻ ምስ ከባቢኣን፡ 37 ቄዴሞት ምስ ከባቢኣን ሜፋዓት ምስ
ከባቢኣን፡ ኣርባዕተ ኸተማ። 38 ካብ ነገድ ጋድ ድማ እታ ኸተማ እታ ኸተማ መዕቈብ ቀታሊ፡ ራሞት
ኣብ ጊልዓድ ምስ ከባቢኣን ማሃናይም ምስ ከባቢኣን፡ 39 ሔስቦን ምስ ከባቢኣን ያዕዜር ምስ ከባቢኣን፡
ኵለን ኣርባዕተ ኸተማ። 40 ኵለን እዘን ከተማታት እዚኤን ናይቶም ካብ ዓሌታት ሌዋውያን ዝተረፉ ደቂ
መራሪ ኸከም ዓሌቶም እየን፡ ዕጭም ከኣ ዓሰርተው ክልተ ኸተማ እየን። 41 እተን ኣብ ማእከል ርስቲ
ደቂ እስራኤል ዘለዋ ዅለን ከተማታት ሌዋውያን ኣርብዓን ሾሞንተን ከተማ መምስ ከባቢኤን እየን። 42
እዘን ከተማታት እዚኤን ንነኸተማ ኣብ ዙርያኣ ኸባቢ ነበራ ኵለን እዘን ከተማታት እዚኤን ከምኡ
ነበረን። 43 እግዚኣብሄር ከኣ እታ ነቦታቶም ኲህቦም ዝመሓለሎም ኵላ ምድሪ ንደቂ እስራኤል ሀቦም።
ወረሰዎ ከኣ ተቐመጥዋ። 44 እግዚኣብሄር ድማ ከምቲ ዅሉ ነቦታቶም ዝመሓለሎም ብዅሉ ዙርያኦም
ኣዕረፎም። ካብ ኵሎም ጸላእቶም ሓደ ሰብ እኳ ኣብ ቅድሚኦም ደው ኣይበለን፡ እግዚኣብሄር ኵሎም
ጸላእቶም ኣብ ኢዶም ሀቦም። 45 ካብቲ እግዚኣብሄር ንቤት እስራኤል እተዛረቦ ዅሉ ጽቡቕ ነገር ገለ ቓል
እኳ ኣይወደቐን፡ ኵሉ ደኣ ተፈጸመ።

## ምዕራፍ 22

1 ሽዑ ኢያሱ ንሮቤላውይንን ንጋዳውያንን ንፈረቓ ነገድ ምናሴን ጸዊዖም፡ 2 በሎም ድማ፡ ንስኻትኩም
እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኩም ዅሉ ሐሊኹም ኢኹም፡ እቲ ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ቓለይውን
ሰማዕኩም። 3 ንስኻትኩም በዘን ብዙሓት መዓልታት ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ነሕዋትኩም
ኣይሐደግኩምዎምን፡ እቲ ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ናይ ትእዛዙ ነገር ደኣ ሐሎኹም። 4 ሕጂ ድማ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ነሕዋትኩም ከምቲ እተዛረቦም ኣዕሪፍዎም እዩ እሞ፡ ሕጂ ድማ ተመሊስኩም
ናብ ድንኳናትኩም ናብታ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ዝሀበኩም፡ ናብ ምድሪ
ርስትኹም ኪዱ። 5 ሐንትስ፡ እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኩም ትእዛዝን ሕግን ክትገብሩ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ክትፈትውዎ፡ ብዅሉ መገድታቱ ኸትከዱ ትእዛዛቱ ድማ ክትሕልዉ፡
ናብኡውን ክትለግቡ፡ ብዅሉ ልብኹምን ብዅሉ ነፍስኹምን ከኣ ከተገልግልዎ፡ ኣዚኹም ተጠንቀቑ። 6
ኢያሱ ድማ መሪቑ ኣፋነዎም፡ ናብ ድንኳናቶም ከኣ ከዱ። 7 ንፈረቓ ነገድ ምናሴ ሙሴ ኣብ ባሳን ርስቲ
ሂብዎ ነበረ፡ ነቲ ፈረቓኡ ከኣ ኢያሱ ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡ ኣብ ወገን ምዕራብ ኣብ መንጎ ኣሕዋቶም
ሀቦም። ኢያሱ ናብ ድንኳናቶም ኪሰዶም ከሎ መረቖም፡ 8 ምስ ብዙሕ ሃብቲ፡ ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ማል
ድማ፡ ምስ ብሩርን ምስ ወርቅን ምስ ኣስራዝን ምስ ሓጺንን፡ ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ክዳውንቲውን ናብ
ድንኳናትኩም ተመለሱ፡ ነቲ ምርኮ ጸላእትኹም ከኣ ምስ ኣሕዋትኩም ተማቐልዎ፡ ኢሉ ድማ
ተዛረቦም። 9 ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ፈረቓ ነገድ ምናሴን ተመሊሶም፡ ናብ ምድሪ ጊልዓድ፡ ናብታ
ብትእዛዝ እግዚኣብሄር ብኢድ ሙሴ እተረስተይዋ ምድሪ ርስቶም ኪኸዱ፡ ካብ ደቂ እስራኤል ካብታ
ኣብ ምድሪ ኸነኣን ዘላ ሺሎ ነቕሉ። 10 ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ፈረቓ ነገድ ምናሴን ናብቲ ኸባቢ

ዮርዳኖስ ናይ ምድሪ ኸነኣን ምስ መጹ፡ ኣብኡ ኣብ ጥቓ ዮርዳኖስ መሰውኢ፡ ዓብዪ ርኡይ መሰውኢ
ሰርሑ። [11] እቶም ደቂ እስራኤል ከኣ፡ እንሆ፡ ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ፈረቓ ነገድ ምናሴን ኣብ ጥቓ
ዮርዳኖስ፡ ኣብ መንጽር ምድሪ ኸነኣን፡ ኣብ ማዕዶ ደቂ እስራኤል መሰውኢ ሰሪሖም ኣለዉ፡ ኪብሉ
ሰምዑ። [12] ደቂ እስራኤል ድማ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ምሳታቶም ንምውጋእ ኪድይቡ፡ ብዘሎ እቲ ኣኼባ ደቂ
እስራኤል ኣብ ሺሎ ተኣከበ። [13] ደቂ እስራኤል ከኣ ንፊንሃስ ወዲ ኻህን ኣልኣዛር ናብ ደቂ ሮቤልን ናብ
ደቂ ጋድን ናብ ፈረቓ ነገድ ምናሴን ናብ ምድሪ ጊልዓድ ለኣኽዎ። [14] ምስኡ ድማ ናይ ኵሎም ነገዳት
እስራኤል ዓሰርተ ሹም፡ ሓሓደ ሹም ንማይ ቤት ኣቦ፡ ነፍሲ ወከፎም ኣብ ማእከል ኣሽሓት እስራኤል
ነንማይ ቤት ኣቦታቶም ሓላቓ ነበሩ። [15] ናብ ደቂ ሮቤልን ናብ ደቂ ጋድን ናብ ፈረቓ ነገድ ምናሴን ናብታ
ምድሪ ጊልዓድ መጺኦም ድማ ከምዚ ኢሎም ተዛረብዎም፡ [16] ብዘሎ ኣኼባ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡
ንእግዚኣብሄር ክትዐልዉ ንኣኻትኩም መሰውኢ ብምስራሕኩም ሎሚ ንእግዚኣብሄር ካብ ምስዓብ
እተመለስኩምሲ፡ እዚ ሎሚ ንኣምላኽ እስራኤል ዝበደልኩሞ በደል፡ እንታይ እዩ፧ [17] እቲ ሓጢኣት
ጴዖር ክሳዕ ሎሚ ኻብኡ ዘይነጻህናሉ እሞ ኣብ ኣኼባ እግዚኣብሄር ምዓት ዝወረደዶ ኣይኣኽለናን እዩ፧
[18] ሎሚ ድማ ንስኻትኩም ንእግዚኣብሄር ካብ ምስዓብ ተመሊስኩም፡ ሎሚ ንእግዚኣብሄር
ብምዕላውኩም ጽባሕ ንብዘሎ ኣኼባ እስራኤል ኪቐጥዖ እዩ። [19] እታ ዝወረስኩምዋ ምድሪ ርኽስቲ
እንተ ኾነት ግና፡ ናብታ ማሕደር እግዚኣብሄር ሰፈራታ ዘላ ምድሪ ርስቲ እግዚኣብሄር ሕለፉ እሞ ኣብ
ማእከልና ተረስተዩ፡ ብጀካ እቲ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ መሰውኢ ብምስራሕኩም
ንእግዚኣብሄር ኣይትዕለዉ፡ ንኣናውን ኣይትዕለዉና። [20] ዓካን ወዲ ዜራሕ ኣብቲ እተሐርመ በደል
ኣይበደለን፧ ኣብ ልዕሊ ብዘሎ ኣኼባ እስራኤል ድማ መዓት ወረደ፡ በቲ በደሉ ኸኣ እቲ ሓደ ሰብኣይ
ጥራይ ኣይሞተን። [21] ሽዑ ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ፈረቓ ነገድ ምናሴን ነቶም ሓላቓ ኣሽሓት እስራኤል
መሊሶም ተዛረብዎም፡ [22] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣማልኽቲ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣማልኽቲ፡ ንሱ
ይፈልጦ ኣሎ፡ እስራኤልውን፡ ንሱ ኺፈልጦ እዩ፡ ነዚ ብበደልን ንእግዚኣብሄር ብምዕላውን እንተ
ጌርናዮስ፡ ሎሚ መዓልቲ ኣይተድሕነና፡ [23-24] ንእግዚኣብሄር ካብ ምስዓብ ምእንቲ ኽንምለስ ወይስ
ዚሐርር መስዋእቲ ወይ መስዋእቲ ብልዒ ኽነዕርገሉ ወይ መስዋእቲ ምስጋና ኽንገብረሉ፡ መሰውኢ
እንተ ሰራሕናስ፡ እዚ ንዳሕራዩ ደቅኹም ንደቅና፡ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል እንታይ
ኣሎኩም፧ ኪብልዎም እዮም፡ ኢልና ብፍርሃት እንተ ዘይገበርናዮስ፡ እግዚኣብሄር ባዕሉ ይመርምር። [25]
ኣቱም ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን፡ እግዚኣብሄር ንኣናን ንኣኻትኩምን ንዮርዳኖስ ዶብ ገይሩልና እዩ እሞ፡
ኣብ እግዚኣብሄር ግደ የብልኩምን፡ ኢሎም ደቅኹም ንደቅና ምፍራህ እግዚኣብሄር ከም ዚሐድጉ
ይገብርዎም። [26-27] ስለዚ ንዳሕራዩ ደቅኹም ንደቅና፡ ኣብ እግዚኣብሄር ግደ የብልኩምን፡ ምእንቲ
ኸይብልዎም፡ ንእግዚኣብሄር ብዚሐርር መስዋእትናን ብናይ ሕሩድ መስዋእትናን ብናይ ምስጋና
መስዋእትናን ኣብ ቅድሚኡ ኽነገልግሎ፡ ንኣና መሰውኢ ኽንነድቕ ንሐሊ፡ ግናኸ ንዚሐርር መስዋእቲ
ኣይኰነን፡ ንመስዋእቲ ሕሩድ ድማ ኣይኰነን፡ ንሱ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኹምን፡ ብድሕሬና ኸኣ ኣብ
መንጎ ወለዶና ምስክር ኪኸውን፡ ኢልና ደኣ ኢና። [28] ስለዚ ንዳሕራዩ ንኣናን ንወለዶናን ከምዚ ምስ
ዚብሉ ነቲ ኣቦታትና ዝገበርዎ ምስሊ መሰውኢ እግዚኣብሄር ርኣዩ፡ ንሱ ንዚሐርር መስዋእቲ ኣይኰነን፡
ንመስዋእቲ ሕሩድውን ኣይኰነን፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኹምን ደኣ ምስክር እዩ፡ ንብሎም በልና። [29]
ንሕና በጀካ እቲ ኣብ ቅድሚ ማሕደር ዘሎ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንዚሐርር መስዋእቲ ወይ
ንመስዋእቲ ወይ ንመስዋእቲ ብልዕን ንመስዋእቲ ሕሩድን መሰውኢ ብምስራሕና፡ ካብ እግዚኣብሄር
ምዕላውን ሎሚ ንእግዚኣብሄር ካብ ምስዓብ ምምላስንሲ ኻባና ይርሐቕ። [30] ሽዑ ኻህን ፊንሃስን እቶም

ምስኡ ዝነበሩ ሹማምቲ ኣኼባን እቶም ሓላቑ ኣሽሓት እስራኤልን፡ እቲ ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ደቂ
ምናሴን እተዛረብዎ ነገር ምስ ሰምዑ፡ ጽቡቕ ኰይኑ ተራእዮም። 31 ፊንሃስ ወዲ ኻህን ኣልኣዛር ድማ
ንደቂ ሮቤልን ንደቂ ጋድን ንደቂ ምናሴን፡ እዚ በደል እዚ ንእግዚኣብሄር ኣይበደልኩምዎን እሞ፡
እግዚኣብሄር ኣብ ማእከልና ከም ዘሎ፡ ሎሚ ፈለጥና፡ ሕጂ ንደቂ እስራኤል ካብ ኢድ እግዚኣብሄር
ኣድሓንኩምዎም፡ በሎም። 32 ሽዑ ፊንሃስ ወዲ ኻህን ኣልኣዛርን፡ እቶም ሹማምትን ካብ ደቂ ሮቤልን
ካብ ደቂ ጋድን ካብ ምድሪ ጊልዓድ ናብ ምድሪ ኸነኣን ናብ ደቂ እስራኤል ተመልሱ፡ እቲ ነገሩ ድማ
መለሱሎም። 33 እቲ ነገሩ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ጽቡቕ ኰይኑ ተራእዮም እሞ፡ ደቂ እስራኤል ንኣምላኽ
ኣመስገንዎ። ድሕርቲ ኸኣ፡ ነታ ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ዚነብርዋ ምድሪ ኼጥፍእዋ፡ ኽንዋጋእ ንደይቦም
ኢሎም ኣይተዛረቡን። 34 ደቂ ሮቤልን ደቂ ጋድን ድማ፡ ነቲ መሰውኢ፡ ዔድ፡ ኢሎም ሰመይዎ።
ከመይሲ፡ ንሱ እግዚኣብሄርስ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ኣብ መንጎና ምስክር እዩ፡ በሉ።

# ምዕራፍ 23

1 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ነዊሕ ዘበን እግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብቶም ኣብ ዙርያኦም ዚነብሩ ዅሎም
ጸላእቶም ምስ ኣዕረፎም፡ እያሱውን ኣሪጉ ነዊሕ ዕድመ ምስ ገበረ፡ 2 ንብዘለዉ እስራኤል፡ ንዓበይቶምን
ንሓላቑኦምን ንፈረዶምን ንመኳንንቶምን ጸዊዑ በሎም፡ ኣነ ኣሪገ፡ ነዊሕ ዕድመ ገይረ እየ፡ 3
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም፡ ንሱ ተዋጊኡልኩም እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣብዞም ኵሎም
ህዝብታት እዚኣቶም ኣብ ቅድሜኹም ዝገበሮ ዅሉ ንስኻትኩም ርኢኹም ኢኹም። 4 ርአዩ፡ ነዞም
ተሪፎም ዘለዉ ህዝብታት እዚኣቶምን ነቶም ዘጥፋእክዎም ኵሎም ህዝብታትን ካብ ዮርዳኖስ ክሳዕ እቲ
ዓብዩ ባሕሪ ብወገን ምዕራብ ጸሓይ፡ ንነገዳትኩም ርስቲ ብዕጭ ኣካፈልኩኹም። 5 እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ንሱ ኻብ ቅድሜኹም ኪደፍኦም፡ ካብ ቅድሜኹም ከኣ ኪሰጎም እዩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም እተዛረበኩም ድማ፡ ምድሮም ክትወርሱ ኢኹም። 6 ነቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ሙሴ እተጻሕፈ
ዅሉ ኽትሕልውዎን ክትገብርዎን፡ ካብኡ ኸኣ ንየማን ኰነ ንጸጋም ከይትዘብሉስ፡ ኣዚኹም ጽንዑ። 7
ናብዞም ዝተረፉ እሞ ምሳኻትኩም ዘለዉ ህዝብታት እዚኣቶም ከይትኣትዉ፡ ስም ኣማልኽቶምውን
ከይትዝክሩ፡ ከይትምሕሉሎምን ከይተገልግልዎምን ከይትሰግዱሎምውን፡ 8 ከምዚ ኽሳዕ ሎሚ
ዝገበርኩምዎ ደኣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ልገቡ። 9 እግዚኣብሄር ድማ ንዓበይትን ንሓያላትን
ህዝብታት ካብ ቅድሜኹም ሰጒጒዎም እዩ እሞ። ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ሓደ እኳ ኣብ ቅድሜኹም
ደው ኣይበለን። 10 እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከምቲ እተዛረበኩም፡ ንሱ እዩ ዚዋግኣልኩም እሞ፡
ካባኻትኩም ሓደ ሰብኣይ ንሽሕ ኪሰጎም እዩ። 11 ስለዚ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ክትፈትውዎ፡
ንነፍስኹም ኣዚኹም ተሓለዉ። 12 ንድሕሪት እንተ ተመለስኩም እሞ፡ ናብዞም ተረፍ፡ ናብዞም
ምሳኻትኩም ዝተረፉ ህዝብታት እዚኣቶም እንተ ለገብኩም፡ ምሳታቶም ድማ እንተ ተዋሰብኩም፡
ናባታቶም እንተ ኣቶኹም፡ ንሳቶም ድማ ናባኻትኩም እንተ ኣተዉ፡ 13 ካብዛ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ዝሀበኩም ጽብቕቲ ምድሪ ኽሳዕ እትጸንቱ፡ ንኣኻትኩም መሓንኰልን መጻወድያን ንጐድንኹም መግረፊ
ነዒንትኹም ከኣ እሾኽ ኪኾኑኹም እዮም እምበር፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ነዞም ህዝብታት
እዚኣቶም ደጊም ካብ ቅድሜኹም ከም ዘየውጽኦም፡ ብርግጽ ፍለጡ። 14 እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ሎሚ መገዲ
ዅላ ዓለም እኸይድ ኣሎኹ እሞ ካብቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ብዛዕባኹም እተዛረቦ ዅሉ ጽቡቕ
ነገር፡ ሓደ ነገር እኳ ኸም ዘይወደቐ፡ ብዅሉ ልብኹምን ብዅሉ ነፍስኹምን ፍለጡ። ኵሉ በጽሓኩም

እምበር፡ ካብኡስ ሓደ ነገር እኳ ኣይወደቐን። 15 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
እተዛረበኩም ኵሉ ጽቡቕ ነገር ዝመጸኩም፡ ከምኡ ድማ ካብታ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዝሀበኩም
ጽብቕቲ ምድሪ ኽሳዕ ዜጽንተኩም፡ እግዚኣብሄር ኵሉ ኽፉእ ነገር ኬምጽኣልኩም እዩ። 16 ነቲ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ዝኣዘዘኩም ኪዳን ምስ እትተሓላለፉ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኽተገልግሉን
ክትሰግዱሎምን እንተ ኸድኩም፡ ሽዑ ኹራ እግዚኣብሄር ኣባኻትኩም ኪነድድ እዩ፡ ካብታ ዝሀበኩም
ጽብቕቲ ምድሪ ድማ ሽዓ ኢልኩም ክትበርሱ ኢኹም።

# ምዕራፍ 24

1 እያሱ ድማ ንዅሎም ነገዳት እስራኤል ኣብ ሴኬም ኣከቦም፡ ንቶም ዓበይቲ እስራኤልን ንሓላቑኦምን
ንፈረዶምን ንመኳንንቶምን ከኣ ጸዎዖም፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ቐረቡ። 2 እያሱ ድማ ንብዘሎ ህዝቢ
በሎ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል፡ ካብ ጥንቲ ኣቦታትኩም፡ ታራ ኣቦ ኣብርሃምን ኣቦ
ናሆርን፡ ኣብ ክንየው ርባ ይቕመጡ ነበሩ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ድማ የገልግሉ ነበሩ። 3 ነቦኹም
ኣብርሃም ከኣ ካብ ክንየው ርባ ወሲደ፡ ኣብ ኵሉ ምድሪ ኸነኣን መራሕክዎ፡ ዘርኡውን ኣብዛሕኩ፡
ይስሃቕ ከኣ ሀብክዎ። 4 ንይስሃቕ ድማ ያእቆብን ኤሳውን ሀብክዎ። ንኤሳው ከኣ ከረን ሰዒር ኪርስተያ
ሀብክዎ። ያእቆብን ደቁን ድማ ናብ ግብጺ ወረዱ። 5 ንሙሴን ንኣሮንን ልኢኽ ኸኣ ንግብጺ፡ ከምቲ ኣብ
ማእከላ ዝገበርክዎ ገይረ፡ ወቓዕክዋ፡ ድሕርቲ ድማ ኣውጻእኩኹም፡ 6 ነቦታትኩም ከኣ ካብ ግብጺ
ኣውጻእክዎም፡ ናብ ባሕሪ ድማ በጻሕኩም። እቶም ግብጻውያን ከኣ ነቦታትኩም ብሰረገላታትን
በፍራስን ክሳዕ ባሕሪ ኤርትራ ሰጐጒዎም። 7 ናብ እግዚኣብሄር ምስ ተማህለሉ፡ ኣብ መንጎኹምን ኣብ
መንጎ ግብጻውያንን ጸልማት ገበረ፡ ነቲ ባሕሪ ከኣ ናብ ልዕሊኦም ሰዲዱ ደፈኖም። እቲ ንግብጻውያን
ዝገበርክዎ ኸኣ፡ ኣዒንትኹም ርእየናኦ። ኣብ በረኻ ድማ ነዊሕ ዘበን ነበርኩም። 8 ናብ ምድሪ እቶም ኣብ
ስግር ዮርዳኖስ ዝነበሩ ኣሞራውያን ኣእቶኹኹም፡ ንሳቶም ድማ ተዋግኡኹም፡ ኣነ ኸኣ ንኣታቶም ኣብ
ኢድኩም ሀብኩኹም፡ ምድሮም ድማ ወረስኩም፡ ካብ ቅድሜኹምውን ኣጥፋእክዎም። 9 ሽዑ ድማ
ባላቅ ወዲ ጺጶር፡ ንጉስ ሞኣብ፡ ተንሲኡ ንእስራኤል ተዋግኦም፡ ንበላዓም ወዲ ጴዖር ድማ፡ ምእንቲ
ኺረግመኩም፡ ልኢኹ ጸውዖ። 10 ኣነ ግና ንበላዓም ክሰምዖ ኣይፈቶኹን፡ ስለዚ ንሱስ ኣጸቢቑ ደኣ
ባረኸኩም፡ ካብ ኢዱ ኸኣ ኣድሐንኩኹም። 11 ንዮርዳኖስ ተሳጊርኩም ድማ ናብ ያሪኮ መጻእኩም እሞ፡
ሰብ ያሪኮን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ከነኣናውያንን ሔታውያንን ጌርጌሳውያንን ሃዋውያንን
ይቡሳውያንን፡ ድማ ተዋግኡኹም። ኣነ ኸኣ ንኣታቶም ኣብ ኢድኩም ሀብኩኹም። 12 ነቶም ክልተ
ነገስታት ኣሞራውያን ድማ ካብ ቅድሜኹም ዝሰገጎም ዕኰት ኣብ ቅድሜኹም ሰደድኩ እምበር፡
ብሴፍካን ብቐስትካን ኣይኰነን። 13 ዘይጸዐርካላ ምድርን ዘይነደቕኩምወን ከተማታትን ሀብኩኹም፡
ኣብኤን ከኣ ትነብሩ ኣሎኹም፡ ካብ ዘይተኸልኩምዎ ወይንታትን ኣዋልዕን ድማ ትበልዑ ኣሎኹም። 14
ሕጂ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ፍርህዎ፡ ብፍጹምናን ብእምነትን ኣገልግልዎ፡ ነቶም ኣብ ክንየው ርባን ኣብ
ግብጽን ኣቦታትኩም ዜገልግልዎም ዝነበሩ ኣማልኽቲ ኣግልስዎም፡ ንእግዚኣብሄር ድማ ኣገልግልዎ። 15
ንእግዚኣብሄር ምግልጋል ክፉእ ኰይኑ እንተ ተራእየኩምሲ ንመን ከም እተገልግሉ፡ ነቶም ኣቦታትኩም
ኣብ ክንየው ርባ ዜገልግልዎም ዝነበሩ ኣማልኽቲ ወይ ኣማልኽቲ ናይቶም ንስኻትኩም ኣብ ምድሮም
እትነብሩ ዘሎኹም ኣሞራውያን፡ ሎሚ ሕረዩ። ኣነን ቤተይን ግና ንእግዚኣብሄር ኢና እነገልግል። 16-17
ሽዑ እቲ ህዝቢ መለሰ በለውን፡ እቲ ንኣናን ነቦታትናን ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ቤት ባርነት ዘደየበና፡

እዚ ዓበይቲ ተኣምራት እዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትና ዝገበረ፡ ኣብ ኲሉ ዝኸድናዮ መገድን፡ ኣብቶም
ብማእከሎም ዝሓለፍና ዅሎም ህዝብታትን ዝሐለወና፡ ንሱ እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ እሞ፡
ንእግዚኣብሄር ሓዲግና ንኻልኦት ኣማልኽቲ ምግልጋልሲ ኻባና ይርሐቕ። 18 እግዚኣብሄር ነዞም
ህዝብታት እዚኦም ኲሎም ነቶም ኣብዛ ሃገር ዝነበሩ ኣሞራውያን ካብ ቅድሜና ሰጕጒዎም እዩ፡ ንሱ
ኣምላኽና እዩ እሞ፡ ንሕና ኸኣ ንእግዚኣብሄር ነገልግሎ። 19 እያሱ ድማ ነቲ ህዝቢ በለ፡ ንሱ ቅዱስ
ኣምላኽ ንሱ ኸኣ ቀናእ ኣምላኽ እዩ፡ ኣበሳኹምን ሓጢኣትኩምን ኣይሐድገልኩምን ኣዩ እሞ
ንእግዚኣብሄር ከተገልግልዎ ኣይትኽእሉን። 20 ንእግዚኣብሄር ሐዲግኩም ንጓኖት ኣማልኽቲ ድማ እንተ
ኣገልገልኩም፡ ንሱ ድሕርቲ ጽቡቕ ምስገበረልኩም ከኣ መሉሱ ኽፉእ ኪገብረኩምን ኪውድኣኩምን
እዩ። 21 እቲ ህዝቢ ድማ ንእያሱ፡ ኣይፋልናን፡ ንእግዚኣብሄር ደኣ ነገልግል፡ በለ። 22 እያሱ ኸኣ ነቶም
ህዝቢ፡ ንስኻትኩም ንእግዚኣብሄር ከተገልግልዎ ኢልኩም ከም ዝሐሬኹምዎ ንስኻትኩም ንርእስኹም
ምስክር ኢኹም፡ በሎም። ንሳቶም ድማ፡ ምስክር ኢና፡ በሉ። 23 እምበኣር ሕጅስ ነቶም ኣብ
ማእከልኩም ዘለዉ ጓኖት ኣማልኽቲ ኣግልስዎም እሞ ልብኹም ናብ እግዚኣብሄር ማላኽ እስራኤል
ኣቢልኩም ኣቕንዑ። 24 እቶም ህዝቢ ድማ ንእያሱ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ነገልግል፡ ቃሉ ኸኣ ንሰምዕ፡
በልዎ። 25 እያሱ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ምስቲ ህዝቢ ኺዳን ኣተወ፡ ህግን ፍርድን ከኣ ኣብ ሴኬም
ኣቔመሉ። 26 እያሱ ድማ ነዚ ነገር እዚ ዅሉ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ኣምላኽ ጸሓፎ። ዓብዪ እምኒ ወሲዱ
ኸኣ፡ ኣብ ትሕቲ እታ ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር ዝነበረት ድዋ ኣቘሞ። 27 እያሱ ድማ ንዅሉ እቲ ህዝቢ፡
እንሆ፡ እዚ እምኒ እዚ ነቲ እግዚኣብሄር እተዛረበና ዅሉ ቓላት ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ ኣባና ምስክር
ኪኸውን እዩ፡ ንስኻትኩም ንኣምላኽኩም ምእንቲ ኸይትኽሕዱስ፡ ኣባኻትኩም ምስክር ኪኸውን እዩ፡
በሎ። 28 ሽዑ እያሱ ነቲ ህዝቢ፡ ንነፍሲ ወከፍ ነናብ ርስቱ ሰደዶ። 29 ድሕርዚ ነገር እዚ ኸኣ ኰነ፡ እያሱ
ወዲ ነዌ፡ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ወዲ ሚእትን ዓሰርተን ዓመት ምስ ኰነ ሞተ። 30 ኣብ ዶብ ርስቱ ኣብ
ከረን ኤፍሬም፡ ኣብታ ኣብ ሰሜን ከረን ጋዓሽ ዘላ ቲምናትሴራሕ ድማ ቀበርዎ። 31 እስራኤል ከኣ፡
ብዅሉ ዘበን እያሱን ብዅሉ ዘበን እቶም ብድሕሪ እያሱ ነዊሕ ዝጸንሑ እሞ እቲ እግዚኣብሄር
ንእስራኤል ዝገበረሎም ኲሉ ግብሪ ዝፈለጡ ዓበይትን፡ ንእግዚኣብሄር የገልግል ነበረ። 32 እቲ ደቂ
እስራኤል ካብ ግብጺ እተማልእዎ ዓጽሚ ዮሴፍ ድማ ኣብታ ያእቆብ ካብ ደቂ ሓሞር ኣቦ ሴኬም
ብሚእቲ ቀሲጣ ዝዐደጋ ግራት፡ ኣብ ሴኬም ቀበርዎ። ንደቂ ዮሴፍ ድማ ርስቲ ዀነቶም። 33 ኣልኣዛር
ወዲ ኣሮን ድማ ሞተ፡ ኣብታ ኣብ ከረን ኤፍሬም ዘላ ንወዱ ፊንሃስ እተዋህበት፡ ኣብ ጊብዓ ቐበርዎ።

# መጽሓፍ መሳፍንቲ

## ምዕራፍ 1

1 ድሕሪ ሞት እያሱ ድማ ኰነ፡ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር፡ ምስ ከነኣናውያን ንምውጋእ ካባና መን
ቅድም ይደይብ፤ ኢሎም ሐተትዎ። 2 እግዚኣብሄር ከኣ ይሁዳ ይደይብ፡ እንሃ፡ እታ ምድሪ ኣብ ኢዱ
ሂበዮ እየ፡ በለ። 3 ይሁዳ ኸኣ ንስምኦን ሓዉ፡ ምስ ከነኣናውያን ክንዋጋእሲ፡ ናብቲ ብጽሒተይ ምሳይ
ደይብ፡ ኣነ ኸኣ ናብቲ ብጺሒትካ ምሳኻ ክኸይድ እየ፡ በሎ። ስምኦን ድማ ምስኡ ኸደ። 4 ይሁዳ ድማ
ናብኡ ደየበ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ንኸነኣናውያንን ንፈረዛውያንን ኣብ ኢዶም ሀቦም፡ ኣብ ቤዜቅ ዓሰርተ
ሽሕ ሰብኣይ ቀተሉ። 5 ንኣዶኒቤዜቅ ከኣ ኣብ ቤዜቅ ረኸብዎ እሞ ተዋግእዎ፡ ንኸነኣናውያንን
ንፈረዛውያንን ከኣ ሰዐርዎም። 6 ኣዶኒቤዜቅ ድማ ሀደመ፡ ንሳቶም ግና ደድሕሪኡ ስዒቦም ሐዝዎ፡
ዓብይዓበይቶ ኢደ እግሩ ኸኣ ቘረጽዎ። 7 ኣዶኒቤዜቅ ድማ፡ ዓብዓበይቶ ኢደ እግሮም እተቘርጹ ሰብዓ
ነገስታት ኣብ ትሕቲ መኣደይ ርፍራፍ ይላቘሙ ነይሮም እዮም፡ ኣምላኽ ከምቲ ግብረይ ፈደየኒ፡ በለ።
ናብ የሩሳሌም ኣምጽእዎ፡ ኣብኡ ኸኣ ሞተ። 8 ደቂ ይሁዳ ድማ ንየሩሳሌም ተዋግእዋ፡ ብስሕለት ሴፍ
ወቒያም ከኣ ሐዝዋ። ነታ ኸተማ ድማ ሓዊ መለሱላ። 9 ድሕሪኡ ደቂ ይሁዳ ምስቶም ኣብ ከረንን ኣብ
ደቡብን ኣብ ቈላን ዚነብሩ ኸነኣናውያን ኪዋግኡ ወረዱ። 10 ይሁዳ ድማ ናብቶም ኣብ ኬብሮን ዚነብሩ
ኸነኣናውያን ከደ፡  ስም ኬብሮን ቀደም ቂርያትኣርባ ነበረ ። ንሸሻይን ንኣሒማንን ንታልማይን
ወቕዕዎም። 11 ካብኡ ናብቶም ኣብ ደቢር ዚነብሩ ኸደ።  ስም ደቢር ቀደም ቂርያትሰፈር ነበረ ። 12
ካሌብ ድማ፡ ነቲ ንቂርያትሰፈር ወቒዑ ዝሐዛ፡ ዓለይ ዓክሳ ሰበይቲ ኽትኮኖ ኽህቦ እየ፡ በለ። 13
ያትንኤል፡ ወዲ ቄናዝ ንእሽቶ ሓዉ ንኻሌብ፡ ሐዛ፡ ዓክሳ ጓሉ ሰበይቲ ኽትኮኖ ድማ ሀቦ። 14 ኰነ ኸኣ፡
ናብኡ ምስ መጸት፡ ካብ ኣቦኣ ግራት ኪልምን መኸረቶ። ካብ ኣድጊ ኸኣ ወረደት፡ ካሌብ ድማ፡ እንታይ
ኴንኪ ኢኺ፤ በላ። 15 ንሳ ኸኣ፡ በረኸት ሀበኒ፡ ምድሪ ደቡብ ሂብካኒ ኢኻ እሞ፡ ዓይኒ ማያት ከኣ ሀበኒ፡
በለቶ። ካሌብ ድማ፡ ላዕላይ ዓይኒ ማያትን ታሕታይ ዓይኒ ማያትን ሀባ። 16 ደቂ ቄኒ ሓሙ ሙሴ ድማ
ምስ ደቂ ይሁዳ ኻብ ከተማ ተምሪ ናብታ ብደቡብ ዓራድ ዘላ በረኻ ይሁዳ ደየቡ። ከይዶም ከኣ ምስቲ
ህዝቢ ተቐመጡ። 17 ይሁዳ ድማ ምስ ስምኦን ሓዉ ኸደ፡ ነቶም ኣብ ጽፋት ዝነበሩ ኸነኣናውያን
ወቕዕዎም፡ ፈጺሞም ከኣ ኣጥፍእዋ። ስም እታ ኸተማ ድማ ሖርማ ተባህለ። 18 ይሁዳ ኸኣ ንጋዛን
ንዶባታን ንኣሽቀሎንን ንዶባታን ንዔርቅሮንን ንዶባታን ድማ ሐዘን። 19 እግዚኣብሄር ምስ ይሁዳ ነበረ
እሞ፡ ነቶም ኣብ ከረን ዝነበሩ ኣልቀቖም፡ ነቶም ኣብ ለሰ ዚነብሩ ግና፡ ሰረገላታት ሓጺን ነበሮም እሞ፡
ኬልቅቖም ኣይከኣለን። 20 ንካሌብ ድማ፡ ከምቲ ሙሴ እተዛረቦ፡ ኬብሮን ሀብዎ፡ ንሱ ኸኣ ንሰለስቲኦም
ደቂ ዓናቅ ካብኣ ኣልቀቖም። 21 ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ይቡሳውያን ግና፡ ደቂ ብንያም
ኣየልቀቕዎምን እሞ፡ እቶም ይቡሳውያን ክሳዕ ሎሚ ምስ ደቂ ብንያም ኣብ የሩሳሌም ኣለዉ። 22 ቤት
ዮሴፍ፡ ንሳቶምውን ናብ ቤትኤል ደየቡ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምሳታቶም ነበረ። 23 ቤት ዮሴፍ ድማ
ንቤትኤል ሰለይዋ።  ስም እታ ኸተማ ኸኣ ቀደም ሉዝ ነበረ ። 24 እቶም ሰለይቲ ድማ ሓደ ሰብኣይ
ካብታ ኸተማ ኺወጽእ ርእዮም፡ በጃኻ፡ መእተዊ እዛ ኸተማ ኣርእየና እሞ፡ ምሕረት ክንገብረልካ ኢና፡
በልዎ። 25 መእተዊ እታ ኸተማ ኸኣ ኣርኣዮም፡ ነታ ኸተማ ድማ ብስሕለት ሴፍ ወቕዕዋ፡ ነቲ ሰብኣይን
ንብዘለዉ ዓሌቱን ግና ይኺዱ ሐደግዎም። 26 እቲ ሰብኣይ ድማ ናብ ምድሪ ሔታውያን ከይዱ ኸተማ

ሰርሔ፡ ስማ ኸኣ ሉዝ ሰመያ፡ ክሳዕ ሎሚ ድማ ስማ ንሱ እዩ። 27 ምናሴ ድማ ንቤትሸኣንን ንዓድታታን፡
ንተዓናቕን ንዓድታታን፡ ነቶም ኣብ ዶርን ኣብ ዓድታታን ዚነብሩ ኸኣ፡ ነቶም ኣብ ይብልዓምን ኣብ
ዓድታታን ዚነብሩ፡ ነቶም ኣብ ምጊዶንን ኣብ ዓድታታን ዚነብሩ ድማ ኣይወረሶምን። እቶም
ከነኣናውያን ደኣ ኣብታ ሃገር እቲኣ ኺነብሩ ቘረጹ፡ 28 ኰነ ኸኣ፡ እስራኤል ምስ በርትዔ፡ ነቶም
ከነኣናውያን ኣገበሮም እምበር፡ ምልቃቕሲ ኣየልቀቖምን። 29 ኤፍሬምውን ነቶም ኣብ ጌዝር ዚነብሩ
ኸነኣናውያን ኣየልቀቖምን፡ እቶም ከነኣናውያን ከኣ ኣብ ማእከሎም ኣብ ጌዝር ተቐመጡ። 30 ዛብሎን
ነቶም ኣብ ቂጥሮን ዚነብሩን ነቶም ኣብ ናሃሎል ዚነብሩን ኣየልቀቖምን፡ ስለዚ እቶም ከነኣናውያን ኣብ
ማእከሎም ተቐመጡ፡ ገባሩ ድማ ኾኑ። 31 ኣሴር ነቶም ኣብ ዓኮ ዚነብሩን ነቶም ኣብ ሲዶንን ኣብ
ኣሕላብን ኣብ ኣክዚብን ኣብ ሔልባን ኣብ ኣፌቕን ኣብ ሬሖብን ዚነብሩ ኣየልቀቖምን። 32 ስለ ዘየልቀቖም
ከኣ፡ ኣሴራውያን ኣብ ማእከል እቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ኸነኣናውያን ተቐመጡ። 33 ንፍታሌም ነቶም
ኣብ ቤትሸመሽ ዚነብሩን ነቶም ኣብ ቤትዓናት ዚነብሩን ኣየልቀቖምን፡ ኣብ ማእከል እቶም ኣብታ ሃገር
ዚነብሩ ኸነኣናውያን ደኣ ተቐመጡ። እቶም ኣብ ቤት ሸመሽን ኣብ ቤት ዓናትን ዚነብሩ ግና ገባሮም
ኰኑ። 34 እቶም ኣሞራውያን ድማ ንደቂ ዳን ናብ ከረን ደፍእዎም እምበር፡ ናብ ለሰ ኺወርዱ
ኣይሐደግዎምን። 35 ኣሞራውያን ድማ ኣብ ሃርሔረስን ኣብ ኣያሎንን ኣብ ሻዓልቢምን ኪቕመጡ ቘረጹ።
ግናኸ ኢድ ቤት ዮሴፍ ከበደቶም፡ ገባሩ ድማ ኾኑ፡ 36 ዶብ ኣሞራውያን ከኣ ካብ ዓቐበት ዓቅራቢም
ካብ ሴላዕ ንላዕሊ ነበረ።

# ምዕራፍ 2

1 መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ጊልጋል ናብ ቦኪም ደየበ በለ ኸኣ፡ ካብ ግብጺ ኣደየብኩኹም፡
ናብታ ነቦታትኩም ዝመሐልኩሎም ምድሪ ኸኣ ኣእቶኹኹም። እቲ ምሳይኻትኩም ዝአቶኹዎ ኺዳነይ
ንዘለኣለም ኣየፍርሶን እየ። 2 ንስኻትኩምውን ምስቶም ኣብዛ ሃገር እዚኣ ዚነብሩ ኺዳን ኣይትእተዉ፡
መሰውኢታቶም ኣፍርሱ፡ ድማ በልኩ። ንቓለይ ግና ኣይሰማዕኩምዎን። ስለምንታይ ኢኹም እዚ
ዝገበርኩም፧ 3 ስለዚ ድማ፡ ንጐድንኹም ኰርኳሕ ይኹኑኹም፡ ኣማልኽቶምውን መፈንጥራ ይኹኑኹም
እምበር፡ ካብ ቕድሜኹም ኣይሰጎምን እየ፡ በልኩ። 4 ኰነ ኸኣ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንኹሎም ደቂ
እስራኤል እዘን ቃላት እዚኤን ምስ ተዛረቦም፡ እቶም ህዝቢ ደሃዮም ዓው ኣቢሎም በኸዩ። 5 ነታ ቦታ
ድማ ቦኪም ኢሎም ሰመይዋ፡ ኣብኣ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ሰውኡሉ። 6 እያሱ ነቶም ህዝቢ ምስ ኣሰናበቶም
ከኣ፡ ደቂ እስራኤል ነታ ምድሪ ኺወርሱ ነፍሲ ወከፍ ነናብርስቶም ከዱ። 7 እቶም ህዝቢ ድማ፡ ብኹሉ
ዘበን እያሱን ብኹሉ ዘበን እቶም ብድሕሪ እያሱ ነዊሕ ዝጸንሑ እሞ እቲ እግዚኣብሄር ንእስራኤል
ዝገበረሎም ዓብዪ ግብሪ ዝርኣዩ ዓበይትን፡ ንእግዚኣብሄር ኣገልገልዎ። 8 እያሱ ወዲ ነዌ፡ ባርያ
እግዚኣብሄር፡ ከኣ ወዲ ሚእትን ዓሰርተን ዓመት ምስ ኰነ፡ ሞተ። 9 ኣብታ ዶብ ርስቱ፡ ኣብ ከረን ገዓሽ፡
ኣብ ቲምናትሄረስ ኣብ ከረን ኤፍሬም ቀበርዎ። 10 እቲ ወለዶ እቲ ኹሉ ድማ ናብ ኣቦታቶም ተኣከቡ
ድሕሪኦም ከኣ ንእግዚኣብሄርን ነቲ ንሱ ንእስራኤል ዝገበሮ ግብሪ ዘይፈልጥ ካልእ ወለዶ ተንስኤ። 11
ደቂ እስራኤል ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበሩ፡ ንበዓልውን ኣገልገሉ። 12 ነቲ ኻብ ምድሪ
ግብጺ ዘውጾም ኣምላኽ ኣቦታቶም ሐዲጎም፡ ካብ ኣማልኽቲ እቶም ኣብ ዙርያኦም ዝነበሩ ህዝብታት
ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኸዱ፡ ንኣታቶምውን ሰገዱሎም እሞ ንእግዚኣብሄር ኣቖጥዕዎ። 13
ንእግዚኣብሄር ሐዲጎምስ ንበዓልን ንኣስታርቴታትን ኣገልገሉ፡ 14 ሽዑ ኹራ እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል

ነደደ፡ ኣብ ኢድ ዚማርኽዎም ማረኽቲ ድማ ኣሕሊፉ ሀቦም፡ ኣብ ኢድ እቶም ኣብ ዙርያ ዘለዉ
ጸላእቶም ሸጦም እሞ፡ ደጊም ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም ኪቔሙ ኣይከኣሉን። 15 ከምቲ እግዚኣብሄር
እተዛረቦምን ከምቲ እግዚኣብሄር ዝመሓለሎምን፡ ናብ ኵሉ ዝኸድዎ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ንሕሰም
ኣብኦም ነበረት እሞ፡ ብዙሕ ጸበቦም። 16 ሽዑ እግዚኣብሄር ካብ ኢድ እቶም ማረኽቶም ዜድሕንዎም
መሳፍንቲ ኣተንስኣሎም። 17 ንሳቶም ግና ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ መንዘሩን ሰገዱሎምን እምበር፡
ነቶም መሳፍንቶምሲ ኣይሰምዕዎምን። ካብታ ኣቦታቶም ንትእዛዛት እግዚኣብሄር ብምእዛዝ ዝኸዱላ
መገዲ ቐልጢፎም ኣግለሱ፡ ከማታቶምሲ ኣይገበሩን። 18 ብዛዕባ እቶም ወቓዕቶምን ሳቐይቶምን
ዘቔዘምዎምን እግዚኣብሄር ተጣዕሰ እሞ፡ እግዚኣብሄር መሳፍንቲ ምስ ኣተንስኣሎም፡ ብኹሉ ዘበን እቲ
መስፍን፡ እግዚኣብሄር ምስቲ መስፍን ከይኑ ካብ ኢድ ጸላእቶም የድሕኖም ነበረ። 19 እቲ መስፍን ምስ
ሞተ ግና፡ ተመሊሶም ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ብምሶዓቦምን ንኣታቶም ብምግልጋሎምን
ብምስጋዶምን ካብ ኣቦታቶም ዝገደደ ተበላሸዉ። ካብ ግብሮምን ካብ ድርቅና መገዶምን ኣይተረፉን። 20
ኵራ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ እስራኤል ነደደ፡ በለ ድማ፡ እዞም ህዝቢ እዚኦም እቲ ነቦታቶም
ዝኣዘዝክዎም ኪዳነይ ስለ ዘፍረሱ፡ ደሃየይ ከኣ ስለ ዘይሰምዑ፡ 21-22 ኣነ ድማ ንእስራኤል፡ ከምቲ
ኣቦታቶም ዝሐለውዎ፡ መገዲ እግዚኣብሄር ንምኻድ ዚሕልዉ እንተ ዀይኖም ወይ ዘይሕልዉ፡
ብኣታቶም ምእንቲ ኽፍትኖም፡ ካብቶም እያሱ ኺመውት ከሎ ዝሐደጎም ህዝብታት ደጊምሲ ሓደ እኳ
ኣይከሰጕግን እየ። 23 እምበኣርሲ እግዚኣብሄር ነዞም ህዝብታት እዚኦም ቀልጢፉ ኸይሰጐጎም ሐደጎም፡
ኣብ ኢድ እያሱ ኸኣ ኣሕሊፉ ኣይሀቦምን።

## ምዕራፍ 3

1 ነቶም ኵሉ ውግእ ከነኣን ዘይፈለጡ ዘበሉ እስራኤልሲ እግዚኣብሄር ብኣታቶም ኪፍትኖም ኢሉ
ዝሐደጎም ህዝብታት እዚኣቶም እዮም፡ 2-3 ሓሙሽቲኦም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያንን ኵሎም
ከነኣናውያንን ሲዶናውያንን፡ እቶም ኣብ ከረን ሊባኖስ፡ ካብ ከረን በዓልሔርሞን ክሳዕ መእተው ሓማት
ዚነብሩ ሂዋውያንውን፡ እዚ፡ እቶም ወለዶ ደቂ እስራኤል፡ ምናዳ እቶም ቀደም ውግእ ዘይፈለጡ ዘበሉ፡
ውግእ ተማሂሮም ምእንቲ ኺፈልጡ ጥራይ እዩ። 4 እቲ ነቦታቶም ብሙሴ ዝኣዘዞም ትእዛዛት
እግዚኣብሄር ዚሰምዑ እንተ ዀይኖም ምእንቲ ኺፈልጥሲ፡ እዚኣቶም ንምፍታን እስራኤል ነበሩ። 5 ደቂ
እስራኤል ኣብ ማእከል ከነኣናውያንን ሔታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሂዋውያንን ይቡሳውያንን
ተቐመጡ። 6 ኣዋልዶም ከኣ ኣንስቲ ኪኾናኦም ወሰዱ፡ ኣዋልዶም ድማ ነወዳቶም ሀቡ፡
ንኣማልኽቶምውን ኣገልገልዎም። 7 ደቂ እስራኤል ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ዘበለ ገበሩ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም ረሲዖም ድማ፡ ንበዓላትን ንኣስታርቴታትን ኣገልገሉ። 8 ስለዚ ኹራ
እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል ነደደ እሞ፡ ኣብ ኢድ ኵሻንሪሻታይም ንጉስ ኣራምነሃራዪም ሸጦም። ደቂ
እስራኤል ድማ ንኵሻንሪሻታይም ሸሞንተ ዓመት ተገዝእዎ። 9 ግናኸ ደቂ እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር
ተማህለሉ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንደቂ እስራኤል ዜድሕኖም መድሓኒ ዖትኒኤል ወዲ ቄናዝ፡ ንእሽቶ ሓዉ
ንካሌብ፡ ኣተንስኣሎም። 10 መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ነበረ እሞ፡ ንእስራኤል ይፈርድ ነበረ።
ኪዋጋእ ከኣ ወጸ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንኪሻንሪሻታይም ንጉስ ኣራም ኣብ ኢዱ ኣሕሊፉ ሀቦ። ኢዱ ኸኣ
ንኲሻንሪሻታይም ሐየለቶ። 11 እታ ሃገርውን ኣርብዓ ዓመት ዐረፈት። ዖትኒኤል ወዲ ቄናዝ ከኣ ሞተ። 12
ደቂ እስራኤል ድማ መሊሶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ዘበለ ገበሩ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር

ክፉእ ስለ ዝገበሩ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ንዔግሎን ንጉስ ሞኣብ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣበርትዖ። [13] ንደቂ
ኣሞንን ኣማሌቅን ናብኡ ኣኽተቶም ከይዱ ኸኣ ንደቂ እስራኤል ሰዐሮም፡ ንኸተማ ተምሪውን ሐዘዋ። [14]
ደቂ እስራኤል ድማ ንዔግሎን ንጉስ ሞኣብ ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመት ተገዝእዎ። [15] ደቂ እስራኤል ግና
ናብ እግዚኣብሄር ተማህለሉ፡ እግዚኣብሄር ድማ ኤሁድ ወዲ ጌራ፡ ብንያማዊ፡ ዓኼላይ ሰብኣይ፡
መድሓኒ ኣተንስኣሎም። ደቂ እስራኤል ከኣ ናብ ዔግሎን ንጉስ ሞኣብ ብኢዱ ገጽ በረኸት ሰደዱ። [16]
ሽዑ ኤሁድ ክልተ ዝኣፉ እመት ዝምንዋሓ ሴፍ ገይሩ ኣብ ትሕቲ ኽዳኑ ኣብ የማናይ ሕቑኡ ዐጠቓ። [17]
እቲ ገጽ በረኸት ንዔግሎን ንጉስ ሞኣብ ኣቕረበሉ፡ ዔግሎን ድማ ኣዝዩ ኸሪሑ ነበረ። [18] ኰነ ኸኣ፡ ነቲ
ገጽ በረኸት ኣቕሪቡ ምስ ፈጸመ፡ ነቶም ነቲ ገጽ በረከት ጾይሮም ዝነበሩ ህዝቢ ሰደዶም። [19] ንሱ ግና
ካብታ ኣብ ጊልጋል ዘላ ስፍራ ምስልታት ተመሊሱ፡ ዎ ንጉስ፡ ሕቡእ ነገር ዝነግረካ ኣሎኒ፡ በሎ። ንሱ
ኸኣ፡ ስቕ በል፡ በሎ። እቶም ምስኡ ደው ኢሎም ዝነበሩ ዅሎም ከኣ ካብኡ ወጹ። [20] ኤሁድ ድማ
ናብኡ ኣተወ፡ ንሱ ኸኣ ኣብታ ንእኡ ንበይኑ ጥራይ ዝነበረት ላዕለይቲ ቤት ሓጋይ ኮፍ ኢሉ ነበረ።
ኤሁድ ድማ፡ ንኣኻ ዝነግረካ ቓል ኣምላኽ ኣሎኒ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ ካብ መንበሩ ተንስኤ። [21] ኤሁድ ድማ
ጸጋመይቲ ኢዱ ሰዲዱ ነታ ሴፍ ካብ የማነይቲ ሕቑኡ መሲቱ ናብ ከብዱ ሸኸተሉ። [22] ድሕሪ እታ ሴፍ
ድማ ጋይማ ኣተወ፡ ነታ ሴፍ ካብ ከብዱ ኣየውጽኣን እሞ ስብሒ ኸደና፡ ብድሕሪኡ ኸኣ ወጸት። [23]
ሽዑ ኤሁድ ናብቲ ደገ ቤት ወጸ፡ ብድሕሪኡ ድማ ነቲ መዓጹ እታ ላዕለይቲ ቤት ዐጽዩ ሸጐሮ። [24] ንሱ
ምስ ወጸ፡ እቶም ገላዉ መጺኦም ረአዩ፡ እንሆ ኸኣ፡ መዓጹ እታ ላዕለይቲ ቤት ተሸጒሩ ነበረ እሞ፡
ርግጽ ኣብ ሕልፍኚ ቤት ሓጋይ ኰይኑ ጒዳዩ ይገብር ኣሎ፡ ከኣ በሉ። [25] ክሳዕ ዚሽገሩ ተጸበዩ፡ እንሆ፡
ንሱ መዓጹ እታ ላዕለይቲ ቤት ኣይከፈተን እሞ፡ መኽፈቻ ወሲዶም ከፈትዎ፡ እንሆ ድማ፡ ጐይታኦም
ሞይቱ ኣብ ምድሪ ወዲቑ ነበረ። [26] ኤሁድ ግና በቲ ምድንጓዮም ኣምለጠ፡ ናብ ክንየው ስፍራ ምስልታት
ሐሊፉ ናብ ሰዒራ ኣምለጠ። [27] ኰነ ኸኣ፡ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ከረን ኤፍሬም መለኸት ነፍሔ፡ ደቂ
እስራኤል ድማ፡ ንሱ ቐቅድሚኦም ኰይኑ፡ ምስኡ ኻብ ከረን ወረዱ። [28] ንሱ ድማ፡ እግዚኣብሄር
ንሞኣባውያን፡ ጸላእትኹም፡ ኣብ ኢድኩም ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ስዐቡኒ፡ በሎም። ደድሕሪኡ ኸኣ ወረዱ፡
ነቲ ንሞኣብ ዜብል መሳገሪታት ዮርዳኖስ ሐዝዎ፡ ንሓደ ሰብ እኳ ኺሐልፍ ኣይሐደጉን። [29] በታ ጊዜ
እቲኣ ኻብ ሞኣብ ዓሰርተ ሽሕ ዚኣኽሉ ሰብ ቀተሉ፡ ኵሎም ድልዱላት፡ ኩሎምውን ጀጋኑ ሰባት ነበሩ።
ሓደ ሰብ እኳ ኣየምለጠን። [30] ሞኣብ ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ትሕቲ ኢድ እስራኤል ተዋረደ። እታ
ሃገር ከኣ ሰማንያ ዓመት ዐረፈት። [31] ብድሕሪኡ ድማ ሻምጋር ወዲ ዓናት ነበረ፡ ንሱ ብስላዕ ብዕራይ
ገይሩ ሹድሽተ ሚእቲ ፍልስጥኤማውያን ቀተለ፡ ንሱውን ንእራኤል ኣድሐኖም።

## ምዕራፍ 4

[1] ደቂ እስራኤል ከኣ፡ ኤሁድ ምስ ሞተ፡ መሊሶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበሩ። [2]
እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢድ እቲ ኣብ ሓጾር ነጊሱ ዝነበረ ያቢን ንጉስ ከነኣን ሸጦም። ሓላቓ ሰራዊቱ
ሲሰራ ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ሓሮሼትጎይም ይቕመጥ ነበረ። [3] ንሱ ድማ ትሽዓተ ሚእቲ ሰረገላ ሓጺን ነበሮ
እሞ፡ ንደቂ እስራኤል ብሓይሊ ዕስራ ዓመት ኣጥቅዖም። ሽዑ ደቂ እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር
ተማህለሉ። [4] ዴቦራ ድማ፡ ነብዩት ሰበይቲ ላጲዶት፡ ንሳ በታ ጊዜ እቲኣ ንእስራኤል ትፈርድ ነበረት። [5]
ንሳ ኸኣ ኣብ ከረን ኤፍሬም ኣብ መንጎ ራማን ኣብ መንጎ ቤትኤልን፡ ኣብ ትሕቲ ተምሪ ዴቦራ ትቕመጥ
ነበረት። ደቂ እስራኤል ድማ ንፍርዲ ናብኣ ደየቡ። [6-7] ንባራቅ ወዲ ኣቢኖዓም፡ ካብ ቃዴስ ንፍታሌም

ልኢኻ ጸዊዓ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ኣነ ንሲሰራ ሓለቓ ሰራዊት ያቢን ምስናይ
ሰረገላታቱን ሰራዊቱን ናባኻ ኣብ ርባ ቂሶን ስሒበ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ እሞ፡ ኪድ፡ ካብ ደቂ
ንፍታሌምን ካብ ደቂ ዛብሎንን ምሳኻ ዓሰርተ ሽሕ ሰብኣይ ሒዝካ ናብ ከረን ታቦር ተጐዐዝ፡ ኢሉዶ
ኣይኣዘዘካን እዩ፧ በለቶ። [8] ባራቕ ድማ፡ ምሳይ እንተ ኸድኪ፡ ክኸይድ እየ፡ ምሳይ እንተ ዘይከድኪ ግና
ኣይከይድን፡ በላ። [9] ንሳ ኸኣ፡ ኤረ ምኻድስ ምሳኻ እኸይድ፡ ግናኸ እግዚኣብሄር ንሲሰራ ኣብ ኢድ
ሰበይቲ ኺሸጦ እዩ እሞ፡ እዛ ንስኻ እትኸዳ ዘሎኻ መገዲ ንኽብርኻ ኣይትኸውንን እያ፡ በለቶ። ዲቦራ
ድማ ተንሲኣ፡ ምስ ባራቕ ናብ ቃዴስ ከደት። [10] ሽዑ ባራቕ ንዛብሎንን ንንፍታሌምን ናብ ቃዴስ
ጸውዖም፡ ዓሰርተ ሽሕ ሰብኣይ ከኣ ደድሕሪኡ ደየቡ፡ ዲቦራውን ምስኡ ደየበት። [11] ሔበር ቄናዊ ግና
ካብቶም ቄናውያን፡ ደቂ ዮባብ ሓሙ ሙሴ፡ ተፈልዩ ነበረ፡ ድንኳኑ ድማ ክሳዕ እቲ ኣብ ጥቓ ቃዴስ፡
ኣብ ጸዓናይም ዘሎ ድዋ ተኺሉ ነበረ። [12] ንሲሰራ ድማ፡ ባራቕ ወዲ ኣቢኖዓም ናብ ከረን ታቦር ከም
ዝደየበ፡ ነገርዎ። [13] ሽዑ ሲሰራ ንዅሉ ሰረገላታቱ፡ ትሽዓተ ሚእቲ ሰረገላ ሓጺንን ምስኡ ዝነበረ ዅሉ
ህዝብን ካብ ሓሮሼትጎይም ናብ ርባ ቂሶን ኣኸተተ። [14] ዲቦራ ድማ ንባራቕ፡ እታ እግዚኣብሄር ንሲሰራ
ኣብ ኢድካ ዚህበላ መዓልቲ ሎሚ እያ እሞ፡ ተንስእ። እግዚኣብሄርዶ ቐቕድሜኻ ወጺኡ ኣየሎን፧
በለቶ። ሽዑ ባራቕ፡ ደድሕሪኡ ኸኣ ዓሰርተ ሽሕ ሰብ፡ ካብ ከረን ታቦር ወረደ። [15] እግዚኣብሄር ድማ
ንሲሰራን ንዅሉ ሰረገላታቱን ንዅሉ ሰራዊቱን ኣብ ቅድሚ ባራቕ ብስሕለት ሴፍ ኣሸበሮም። ሲሰራ ኸኣ
ካብ ሰረገላኡ ወሪዱ ብእግሩ ሀደመ። [16] ባራቕ ድማ ደድሕሪ እቲ ሰረገላታትን ደድሕሪ ሰራዊትን ሲሰራ
ስዒቡ ክሳዕ ሓሮሼትጎይም ሰጎጎም። ብዘሎ ሰራዊት ሲሰራ ኸኣ ብስሕለት ሴፍ ወደቐ፡ ሓደ እኳ
ኣይተረፈን። [17] ያቢን ንጉስ ሓጾርን ቤት ሔበር ቄናዊን ኣብ መንጎኦም ሰላም ነበረ እሞ፡ ሲሰራ ብእግሩ
ናብ ድንኳን ያዔል፡ ሰበይቲ ሔበር ቄናዊ፡ ሀደመ። [18] ያዔል ድማ ንሲሰራ ኽትቕበሎ ወጺኣ፡ ጐይታይ፡
እቶ፡ ናባይ እቶ፡ ኣይትፍራህ፡ በለቶ። ናብኣ ድማ ናብ ድንኳን ኣተወ፡ ንሳ ኸኣ ወንጮ ኸደነቶ። [19] ንሱ
ድማ፡ ጸሚኤ እየ እሞ፡ በጃኺ ሒደት ማይ ኣስትይኒ፡ በላ። ንሳ ኸኣ ሓርቢ ጸባ ፈቲሓ ኣስተየቶ
ኸደነቶውን። [20] ንሱ ድማ፡ ኣብ ደገ ድንኳን ደው በሊ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ሰብ መጺኡ፡ ኣብዚዶ ሰብ
ኣሎ፧ ኢሉ እንተ ሐተተኪ፡ የልቦን በሊ፡ በላ። [21] ንሱ ድቃስ ውሒጥዎ ህልያቱ ጠፍኡ፡ ሽዑ ያዔል
ሰበይቲ ሔበር ሸኻል ድንኳን ወሲዳ ሞደሻውን ኣብ ኢዳ ሒዛ፡ ቀስ ኢላ ናብኡ ኣተወት፡ ነቲ ሸኻል
ኣብ መትልሑ ተኸለቶ ናብ ምድሪ ድማ ኣተወ፡ ንሱ ኸኣ ሞተ። [22] እንሆ ድማ፡ ባራቕ ንሲሰራ ኺሰጎ
ኸሎ፡ ያዔል ክትቕበሎ ወጺኣ፡ እቲ ንስኻ እትደልዮ ዘሎኻ ሰብኣይ ከርእየካ ንዓ፡ በለቶ። ናብኣ ድማ
ኣተወ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሲሰራ ሞይቱ ወዲቑ ነበረ፡ እቲ ሸኻልውን ኣብ መትልሑ ነበረ። [23] በታ መዓልቲ
እቲኣ ድማ፡ ኣምላኽ ንያቢን፡ ንጉስ ከነኣን፡ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ኣዋረደ። [24] ንያቢን ንጉስ ከነኣን
ክሳዕ ዜጥፍእዎ ኸኣ፡ ኢድ ደቂ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ያቢን ንጉስ ከነኣን እናገረነት ከደት።

## ምዕራፍ 5

[1] በታ መዓልቲ እቲኣ ዲቦራን ባራቕ ወዲ ኣቢኖዓምን እዚ መዝሙር እዚ ኸምዚ ኢሎም ዘመሩ፡ [2]
መራሕቲ ኣብ እስራኤል ምርሒት ስለ ዝወሰዱ፡ እቲ ህዝቢ ድማ ርእሱ ብፍቓድ ስለ ዝወፈየ፡
ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ። [3] ኣቱም ነገስታት፡ ስምዑ፡ ኣቱም ሹማምቲ፡ ጽን በሉ። ኣነ፡ እወ ኣነ
ንእግዚኣብሄር እዝምረሉ፡ ንእግዚኣብሄር፡ ንኣምላኽ እስራኤል እቕነየሉ ኣሎኹ። [4] ዎ እግዚኣብሄር፡ ካብ
ሰዒር ምስ ወጻእካ፡ ካብ መሮር ኤዶም ድማ ምስ ከድካ፡ ምድሪ ኣንቀጥቀጠት ሰማያትውን

ኣንጠብጠቡ፡ ደበናታት ድማ ማይ ኣንጠብጠቡ። 5 ኣኽራን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተነቓነቑ፡ እዚ ሲና
ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ተነቓነቐ። 6 ብዘበን ሻምጋር ወዲ ዓናት፡ ብዘበን ያዔል
ጐደና መገዲ ሐደጉ፡ ሓለፍቲ መገዲ ድማ ብጥውጥዋይ መገዲ ኸዱ። 7 ኣነ ዴቦራ ኽሳዕ ዝተንስእ፡ ኣነ
ኣብ እስራኤል ኣደ ኰይነ ኽሳዕ ዝተንስእ፡ ኣብ እስራኤል ሓላቑ ተሳእኑ፡ ተሳእኑ። 8 ሓደስቲ ኣማልኽቲ
ሐረዩ፡ ሽው ውግእ ኣብ ኣፍ ደጌታት ነበረ። ኣብቶም ኣርብዓ ሽሕ እስራኤልከ ዋልታ ኰነ፡ ኲናት ኲነዶ
ተርኤ፧ 9 ልበይ ምስቶም ኣብ ማእከል ህዝቢ ፈትዮም ርእሶም ዝወፈዩ፡ ምስቶም መራሕቲ እስራኤል
እዩ፡ ንእግዚኣብሄር ባርኹ። 10 ኣቱም ጸዓዱት ኣእዱግ እትውጥሑ፡ ኣቱም ኣብ ምንጻፋት እትቕመጡ፡
ኣቱም ሐለፍቲ መገዲውን፡ ብዛዕባኡ ተዛረቡ። 11 ካብ ደሃይ ቀስተኞታት ርሒቕም፡ ኣብ መንጎ
ጋብላታት፡ ኣብኡ ግብርታት ጽድቂ እግዚኣብሄር፡ እቲ ኣብ እስራኤል እተገብረ ግብርታት ጽድቂ
ሓላቖኡ ድማ ይንገሩ። ሽው ህዝቢ እግዚኣብሄር ናብ ደጌታት ወረደ። 12 ተንስኢ፡ ተንስኢ ዴቦራ፡
ተንስኢ፡ ተንስኢ፡ መዝሙር ዘምሪ። ባራቕውን ተንስእ፡ ኣታ ወዲ ኣቢኖዓም፡ ምሩኻትካ ማርኽ። 13
ሽው ተረፍ እቶም ክቡራትን እቲ ህዝብን ወረዱ፡ እግዚኣብሄር ናባይ ኣብቶም ጀጋኑ ወረደ። 14 ኣብ
ኣማሌቅ ዝሱሮም ካብ ኤፍሪም ወረዱ፡ ድሕሬኻ ብንያም ኣብ ማእከል ህዝብታትካ፡ ሓላቑ ኸኣ ካብ
ማኪር ካብ ዛብሎንውን ብበትሪ ገዛኢ ዚምርሑ ወረዱ። 15 ሹማምቲ ይሳኮር ምስ ዴቦራ ነበሩ፡
ባራቕውን ከም ይሳኮር ገበረ፡ ብታህዋኽ ናብቲ ለሰ እግረእግሩ ጐየዩ። ኣብ ጥቓ ርባታት ሮቤል ዓበይቲ
ምኽርታት ልቢ ነበረ። 16 ስለምንታይከ ዕንዱር ጓሶት ክትሰምዕ፡ ኣብ ማእከል ደምቤታት ኣባጊዕ ኮፍ
በልካ፧ ኣብ ጥቓ ርባታት ሮቤል ዓበይቲ ምርመራታት ልቢ ነበረ። 17 ጊልዓድ ኣብ ክንየው ዮርዳኖስ
ሰፊሩ ነበረ፡ ዳንከ ስለምንታይ ኣብ መራኽብ ተቐመጠ፧ ኣሴር ኣብ ገምገም ባሕሪ ይቕመጥ ነበረ፡ ኣብ
ወደባቱ ኸኣ ሰፈረ። 18 ዛብሎን ነፍሱ ንሞት ዝወፈየ ህዝቢ እዩ፡ ንፍታሌም ድማ ኣብ በረኽቲ መሮር
ከምኡ ገበረ። 19 ነገስታት መጺኦም ተዋግኡ፡ ሽው ኣብ ተዓናክ ኣብ ማያት መጊዶ፡ ነገስታት ከነኣን
ተዋግኡ፡ ምርኮ ብሩር ግና ኣይወሰዱን። 20 ካብ ሰማይ ተዋግኡ፡ ከዋኽብቲ ኣብ ምኻዶም ምስ ሲሰራ
ተዋግኡ። 21 ርባ ቂሶን፡ እቲ ናይ ጥንቲ ርባ፡ ርባ ቂሶን ጓቲቱ ወሰዶም። ዎ ነፍሰይ፡ ብሓይሊ ንቕድሚት
ገስግሲ። 22 ሽው ኻብ ጋልበት፡ ጋልበት እቶም ሓያላቱ፡ ሸኺኑ ፈረስ ደርጓዕጓዕ በለ። 23 መልኣኽ
እግዚኣብሄር፡ ንሜሮዝ ርገምዋ፡ ይብል፡ ንሓገዝ እግዚኣብሄር፡ ንሓገዝ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ እቶም
ጀጋኑ ስለ ዘይመጹ፡ ነቶም ኣብኣ ዚነብሩ ኣዚኹም ርገምዎም። 24 ያዔል፡ ሰበይቲ ሔበር ቄናዊ፡ ካብ
ኣንስቲ ብርኽቲ ትኹን፡ ኣብ ድንኳን ካብ ዘለዋ ኣንስቲ ብርኽቲ ትኹን። 25 ንሱ ማይ ለመነ እሞ ጸባ
ሀበቶ፡ ብመሳተያ ኽቡራት ገይራ ርግኦ ኣቕረበትሉ። 26 ኢዳ ናብ ሸኻል፡ የማነይታ ኸኣ ናብ ሞደሻ
ዓየይቲ ዘርግሔት፡ ንሲሰራ ድማ ወቕዓቶ፡ ኣብ ርእሱ ሸኸለትሉ፡ መታልሕ ኣንኲላውን ኣሕለፈቶ። 27
ኣብ መንጎ ኣእጋራ ቊልዕጽ ኢሉ ወደቐ፡ በጥ ከኣ በለ፡ እወ፡ ኣብ ምንጎ ኣእጋራ ቊልዕጽ ኢሉ ወደቐ፡
ኣብቲ እተቘልዐጸሉ፡ ኣብኡ ሞይቱ ወደቐ። 28 ኣደ ሲሰራ ብመስኮት ጠመተት፡ በቲ ዓይኒርግቢ ኽይና
ጨደረት፡ ሰረገላኡ እንታይ ኰይኑ ምምጻእ ደንጐየ፧ መንኰራኲር ሰረላኡኸ እንታይ ኰይኑ ደሐረ፧ 29
እተን ጥበበኛታት ወይዘራዝራ መለሳላ፡ ንሳ ንርእሳውን መለሰት፡ 30 ምርኮዶ ኣይረኸቡን፧
ኣይመቐሉንዶኸ፧ ንነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ሓንቲ ጓል፡ ክልተ ጓል፡ ንሲሰራ ምርኮ በበይኑ ዝሕብሩ
ኽዳውንቲ፡ ምርኮ በበይኑ ዝሕብሩ ጥሉፍ ክዳውንቲ፡ ምርኮ በበይኑ ዝሕብሩ። ኣብ ክሳውዲ እቶም
ምሩኻትከ በበይኑ ዝሕብሩ ብኽልተ ወገኑ ጥሉፍ ክዳውንቲዶ ኣይረኸቡን፧ 31 ዎ እግዚብሄር፡ ኲሎም
ጸላእትኻ ኸምኡ ይጥፍኡ፡ እቶም ዚፈትውዎ ግና፡ ከም ጸሓይ ብሓይላ፡ ከምቲ ኽትወጽእ ከላ
ይድመቑ። እታ ሃገር ድማ ኣርብዓ ዓመት ዐረፈት።

# ምዕራፍ 6

1 ደቂ እስራኤል ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበሩ። እግዚኣብሄር ከኣ ሾብዓተ ዓመት ናብ ኢድ
ሚድያን ኣሕሊፉ ሀቦም። 2 ኢድ ሚድያን ድማ ኣብ እስራኤል በርትዔት፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ብሰሪ
ሚድያን እቲ ኣብ ኣኽራን ዘሎ ጐዳጕድን በዓትታትን እምባታትን ገበሩ። 3 ኰነ ድማ፡ እስራኤል ምስ
ዘርኤ፡ ሚድያናውያንን ኣማሌቃውያንን ደቂ ምብራቕን ደየቡ፡ ናብኦም ደየብዎም። 4 ኣብኦም ሰፊሮም፡
ክሳዕ እቲ ንጋዛ ዜእቱ ፍረ እታ ምድሪ ኣጥፍኡ፡ ገለ ምግቢ ኾነ፡ በጊዕ ኰነት፡ ብዕራይ ኰነ፡ ኣድጊ ኾነ
ኣብ እስራኤል ኣይሐደጉን። 5 ንሳቶም ምስ ከምብቶምን ድንኳውንቶምን ደየቡ፡ ምብዛሖም ከም ኣንበጣ
ኾይኖም መጹ። ንሳቶምን ኣግማሎምን ቍጽሪ ዜብሎም ነበሩ እሞ፡ ኬጥፍእዋ ናብታ ሃገር ኣተዉ። 6
እስራኤል ብሚድያን ብዙሕ ተሸገረ፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለሉ። 7 ኰነ ኸኣ ደቂ
እስራኤል ብሰሪ ሚድያን ናብ እግዚኣብሄር ምስ ተማህለሉ፡ 8 እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ሓደ ነብዪ
ሰደደሎም። ንሱ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በሎም፡ ኣነ ኻብ ግብጺ
ኣደየብኩኹም፡ ካብ ቤት ባርነት ኣውጻእኩኹም። 9 ካብ ኢድ ግብጻውያንን ካብ ኢድ ኵሎም
መጥቃዕትኹምን ኣድሐንኩኹም፡ ንኣታቶም ካብ ቅድሜኹም ሰጕጐ ምድሮም ሀብኩኹም። 10 ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ፡ ንኣማልኽቲ እቶም ንስኻትኩም ኣብ ሃገሮም ተቐሚጥኩም ዘሎኹም
ኣሞራውያን ኣይትፍራህዎም፡ ድማ በልኩኹም። ግናኸ ቃለይ ኣይሰማዕኩምን። 11 መልኣኽ እግዚኣብሄር
ድማ መጺኡ ኣብ ትሕቲ እታ ናይ ዮኣስ ኣቢዔዝራዊ፡ ኣብ ዖፍራ ዘላ ድዋ ተቐመጠ። ወዱ ጊዴዎን ካብ
ሚድያናውያን ኪሐብእ፡ ስርናይ ኣብ መጽመቕ ወይኒ ይዘብጥ ነበረ። 12 ንእኡ ድማ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ተራእዮ፡ ኣታ ሓያል ጅግና እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ፡ ከኣ በሎ። 13 ጊዴዎን ድማ፡ ኣየ
ጐይታይ፡ እግዚኣብሄር ምሳና እንተልዩ ደኣ እዚ ኹሉ ስለምንታይ ረኸበና፧ እቲ ኣቦታትና፡ እግዚኣብሄር
ካብ ግብጺ ኣደይቡናዶ ኣይኰነን፡ ኢሎም ዝነገሩና ኹሉ ተኣምራቱኸ ኣበይ ኣሎ፧ ሕጂ ግና እግዚኣብሄር
ሐዲጉናስ፡ ኣብ ኢድ ሚድያን እኳ ኣሕሊፉ ሂቡና፡ በሎ። 14 ሽዑ እግዚኣብሄር ናብኡ ግልጽ ኢሉ፡
ልኢኽካዶ ኣይኰንኩን፧ በዚ ሓይልኻ እዚ ኼድካ ንእስራኤል ካብ ኢድ ሚድያን ኣድሕኖም፡ በሎ። 15
ንሱ ድማ፡ ኣየ ጐይታይ፡ እንሆ ዓሌተይ ካብ ምናሴ እቲ ድኻ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቤት ኣቦይ እቲ ንእሽቶ
እየ፡ ንእስራኤል ደኣ ብምንታይ ከድሕኖ እየ፧ በሎ። 16 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ኣነ ምሳኻ ክኸውን እየ እሞ፡
ንሚድያናውያን ከም ንሓደ ሰብኣይ ክትወቕዖም ኢኻ፡ በሎ። 17 ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደኣ
ረኺበስ፡ እትዛረበኒ ዘሎኻ ንስኻ ከም ዝኾንካ ምልክት ሀበኒ፡ 18 መስዋእተይ ኣውጺኤ፡ ናባኻ መጺኤ
ኣብ ቅድሜኻ ኽሳዕ ዘቕርበልካስ፡ በጃኻ ካብዚ ኣይትኺድ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ክሳዕ እትምለስ፡ ክጸንሓካ
እየ፡ በሎ። 19 ሽዑ ጊዴዎን ኣትዩ ሓደ ማሕስእን ሓደ ኤፋ ሓርጭን ቅጫ ሰንኪቱ ኣዳለወ። ነቲ ስጋ ኣብ
ሰፍኢ፡ ነቲ መረቕውን ኣብ ቍራዕ ገበሮ። ኣብ ትሕቲ ድዋ ኣውጺኡ ድማ ናብኡ ኣቕረበሉ። 20 እቲ
መልኣኽ ኣምላኽ ከኣ፡ ነቲ ስጋን ነቲ ቕጫን ኣብዚ ኸውሒ እዚ ኣንብሮ ነቲ መረቕውን ኣፍስሶ፡ በሎ።
ከምኡ ድማ ገበረ። 21 ሽዑ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ጫፍ እታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ዘንጊ ሰዲዱ ነቲ
ስጋን ቅጫን ተንከዮ እሞ ሓዊ ኻብቲ ኸውሒ ወጺኡ፡ ነቲ ስጋን ቅጫን በልዖ፡ እቲ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ድማ ካብ ኣዒንቱ ተሰወረ። 22 ሽዑ ጊዴዎን ንሱ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ረአየ።
ጊዴዎን ከኣ፡ ወይለይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንመልኣኽ እግዚኣብሄር ገጽ ንገጽ ርእየዮ፡ በለ። 23
እግዚኣብሄር ድማ፡ ሰላም ንኣኻ ይኹን፡ ኣይትፍራህ ኣይትመውትን ኢኻ፡ በሎ። 24 ሽዑ ጊዴዎን ካብኡ
ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሐ፡ እግዚኣብሄርሰላም፡ ኢሉ ኸኣ ሰመዮ። ንሱ ድማ ክሳዕ ሎሚ ኣብቲ ናይ
ኣቢዔዝራውያን ዖፍራ ኣሎ። 25 ኰነ ኸኣ፡ በታ ለይቲ እቲኣ እግዚኣብሄር በሎ፡ ናይ ኣቦኻ ኣርሓ፡ እቲ

ኻልኣይ ሾብዓተ ዓመት ዝገበረ ኣርሓ፡ ውሰድ፡ ነቲ ናይ ኣቦኻ መሰውኢ በዓል ኣፍርሶ፡ ነቲ ኣብ ጥቓኡ
ዘሎ ኣስታርተ ኸኣ ቍረጾ። [26] ኣብ ልዕሊ እዚ ኸውሒ እዚ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ መሰውኢ
ኸም ስርዓቱ ጌርካ ስራሕ፡ ነቲ ኻልኣይ ኣርሓ ኸኣ በቲ እተቘርጾ ኣስታርተ ጌርካ ዚሐርር መስዋእቲ
ኣዕርጎ። [27] ሽዑ ጊዴዎን ካብ ገላዉኡ ዓሰርተ ሰብ ወሲዱ ኸምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ። ኰነ ኸኣ፡
ብመዓልቲ ኸይገብሮስ ንቤት ኣቦኡን ንሰብ እታ ኸተማን ስለ ዝፈርሄ፡ ብለይቲ ገበሮ። [28] ንጽቢሒቱ ሰብ
እታ ኸተማ ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ፡ እንሆ መሰውኢ በዓል ፈሪሱ፡ እቲ ኣብ ጥቓኡ ዝነበረ ኣስታርተ
ኸኣ ተቘሪጹ፡ እቲ ኻልኣይ ኣርሓውን ኣብቲ ተሰሪሑ ዝነበረ መሰውኢ ተሰዊኡ ነበረ። [29] ንሓድሕዶም
ድማ፡ እዚ ነገር እዚ መን ገበሮ፧ ተባሃሀሉ። ሓቲቶምን መርሚሮምን ድማ እዚ ነገር እዚ ጊዴዎን ወዲ
ዮኣስ እዩ ዝገበሮ፡ በሉ። [30] ሽዑ ሰብ እታ ኸተማ ንዮኣስ፡ ወድኻ መሰውኢ በዓል ኣፍሪሱ፡ ነቲ ኣብ
ጥቓኡ ዝነበረ ኣስታርተ ድማ ቈሪጹ እዩ እሞ፡ ኪመውት ኣውጽኣዮ፡ በልዎ። [31] ዮኣስ ከኣ ነቶም
ኪቃወምዎ ዝተንስኡ ዅሎም፡ ንበዓልዶ ኽትጣበቑሉ ኢኹም፡ ወይስ ክተድሕንዎዶ ደሊኹም፧ እቲ
ኺጣበቐሉ ዚደሊ፡ ምድሪ ኸይወግሔ ይሙት፡ ንሱ ኣምላኽ እንተ ዀይኑስ፡ ነቲ መሰውኢኡ ዘፍረሰሉ
ባዕሉ ይማጐቶ፡ በሎም። [32] ስለዚ በታ መዓልቲ እቲኣ፡ በዓል ነቲ መሰውኢኡ ዘፍረሰሉ ባዕሉ ይማጐቶ፡
ኢሉ የሩብበዓል ሰመዮ። [33] ሽዑ ዅሎም ሚድያናውያንን ኣማሌቃውያንን ደቂ ምብራቕን ብሓደ
ተኣከቡ፡ ተሳጊሮም ድማ ኣብ ለሰ ይዝርኤል ሰፈሩ። [34] ንጊዴዎን ከኣ መንፈስ እግዚኣብሄር ወረዶ። ንሱ
መለኸት ነፍሔ፡ ኣቢዔዝራውያን ከኣ ተኣኪቦም ሰዐብዎ። [35] ናብ ብዘሎ ምናሴ ድማ ልኡኻት ሰደደ፡
ንሳቶም ከኣ ከቲቶም ሰዐብዎ። ናብ ኣሴርን ዛብሎንን ንፍታሌምን ድማ ልኡኻት ሰደደ፡ ንሳቶምውን
ኪቕበልዎም ደየቡ። [36] ጊዴዎን ድማ ንኣምላኽ፡ ከምቲ እተዛረብካዮ ንእስራኤል ብኢደይ ተድሕኖ እንተ
ኼንካስ፡ [37] እንሆ፡ ኣነ እዚ ቝሩጽ ጸምሪ እዚ ኣብ ዓውዲ ኤንብር ኣሎኹ። ኵላ ምድሪ ንቕጽቲ ኸኣ
ኣብዚ ጸምሪ ጥራይ ዛዕዛዓ እንተ ዀነ፡ ሽዑ ኸምቲ እተዛረብካዮ፡ ንእስራኤል ብኢደይ ከም እተድሕኖ
እፈልጥ፡ በሎ። [38] ከምኡ ድማ ኾነ። ንጽብሒቱ ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ነቲ ጸምሪ ጸሞቘ፡ ካብቲ ጸምሪ ኸኣ
ሒላብ ምሉእ ማይ ኣውጽኤ። [39] ጊዴዎን ድማ ንኣምላኽ፡ ሓንሳእ ጥራይ ክዛረብ፡ ቍጥዓኻ ኣባይ
ኣይንደድ፡ በቲ ጸምሪ ሓንሳእ ጥራይ ክፍትን በጃኻ። እምበኣርሲ እቲ ጸምሪ ጥራይ ንቑጽ፡ ኣብ ብዘላ
ምድሪ ድማ ዛዕዞዓ ይኹን፡ በሎ። [40] ኣምላኽ ድማ በታ ለይቲ እቲኣ ኸምኡ ገበረ፡ እቲ ጸምሪ ጥራይ
ንቑጽ ከሎ ኣብ ብዘላ ምድሪ ዛዕዝዓ ኾነ።

## ምዕራፍ 7

[1] የሩብበዓል፡ ንሱ ጊዴዎን፡ እቲ ምስኡ ዝነበረ ዅሉ ህዝቢ ድማ ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ተንስኡ፡ ኣብ
ዓይኒ ማይ ሓሮድ ከኣ ሰፈሩ። ሰፈር ሚድያን ድማ ብወገን ሰሜኖም ኣብ ኵርባ ሞሬ፡ ኣብቲ ለሰ ነበረ።
[2] እግዚኣብሄር ንጊዴዎን፡ ኣነ ንሚድያን ኣብ ኢዶም ከይህቦም፡ እስራኤል፡ ኢደይ ኣድሒነትኒ፡ ኢሉ
ኸይዕበየለይ፡ እዚ ምሳኻ ዘሎ ህዝቢ እምብዛ በዚሑ። [3] እምበኣር ሕጂ ኣብ እዝኒ እቶም ህዝቢ፡ ፈራህን
ተሸባርን ዘበለ ይመለስ፡ ካብ ከረን ጊልዓድ ይኺድ፡ ኢልካ ኣውጅ፡ በሎ። ሽዑ ኻብቶም ህዝቢ ዕስራን
ክልተን ሽሕ ተመልሱ፡ ዓሰርተ ሽሕ ከኣ ተረፉ። [4] እግዚኣብሄር ድማ ንጊዴዎን፡ እዚ ህዝቢ ገና ብዙሕ
እዩ፡ ናብ ማይ ኣውርዶም፡ ኣብኡ ንኣታቶም ክፍትነልካ እየ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ ኣነ፡ እዚ ምሳኻ
ይኺድ፡ ዝብለካ፡ ንሱ ምሳኻ ይኺድ፡ እቲ፡ ምሳኻ ኣይኺድ፡ ዝብለካ ዘበለ ኸኣ፡ ንሱ ኣይኺድ፡ በሎ። [5]
ሽዑ ነቲ ህዝቢ ናብ ማይ ኣውረዶ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንጊዴዎን፡ ነቲ ኸም ኣሳትያ ኸልቢ ማይ ብልሳኑ

ዚሰቲ ዘበለ፡ ንእኡ ንበይኑ፡ ነቲ ብብርኩ ተደቢሩ ዚሰቲውን ከምኡ ግበሮ፡ በሎ። [6] ቍጽሪ እቶም
ብኢዶም ንኣፎም ማይ ዝሰተዩ ኸኣ ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ኰኑ። እቶም ዝተረፉ ዅሎም ህዝቢ ግና ማይ
ኪስትዩ፡ ብብርኮም ተምበርኪኾም ደነኑ። [7] እግዚኣብሄር ድማ ንጊዴዎን፡ በዞም ብኢዶም ዝሰትዩ
ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይ ከድሕነኩእየ፡ ሚድያናውያን ከኣ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ። እቲ ህዝቢ ዅሉ ድማ
ነፍሲ ወከፍ ነናብ ቦታኡ ይኺድ፡ በሎ። [8] ሽዑ እቶም ህዝቢ ብኢዶም ስንቆምን መለኸቶምን ወሰዱ፡
ንዅሎም ሰብ እስራኤል ከኣ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ድንኳኖም ሰደዶም፡ ነቶም ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ግና
ኣትረፎም። ሰፈር ሚድያን ድማ ኣብ ትሕቲኡ ኣብቲ ለሰ ነበረ። [9] ኰነ ኸኣ፡ በታ ለይቲ እቲኣ
እግዚኣብሄር፡ ንእኡ ኣብ ኢድካ ሂበካ እየ እሞ፡ ተንሲእካ ናብቲ ሰፈር ውረድ። [10] ንስኻ ምውራድ እንተ
ፈራህካ ግና፡ ንስኻ ምስ ግልያኻ ጴራ ናብቲ ሰፈር ውረድ፡ [11] እቲ ዚዛረብዎ ኽትሰም ኢኻ። ድሕሪኡ
ናብቲ ሰፈር ንምውራድ ኣእዳውካ ኺጸንዓ እየን፡ በሎ። ሽዑ ንሱ ምስ ጴራ ግልያኡ፡ ናብ ወሰን እቶም
ኣብ ሰፈር ተሰሊፎም ዝነበሩ ወረደ። [12] ሚድያናውያንን ኣማሌቃውያንን ኵሎም ደቂ ምብራቕ ድማ ከም
ኣንበጣ ዝምብዛሓምን ኣብቲ ለሰ ሰፊሮም ነበሩ። ኣግማሎም ከኣ ቍጽሪ ዜብለን፡ ኣብ ወሰን ባሕሪ ኸም
ዘሎ ሑጻ ዝምብዛሔን ነበራ። [13] ጊዴዎን ምስ መጸ፡ እንሆ፡ ሓደ ሰብ ንብጻዩ ሕልሙ ይነግሮ ይብሎውን
ነበረ፡ እነሆ፡ ሕልሚ ሐለምኩ፡ እንሆ ኸኣ፡ ጐነ ስገም ናብ ሰፈር ሚድያን ኣንከራረወ፡ ናብ ድንኳን
መጺኡ ወቕዖ፡ ንሱ ድማ ወደቐ፡ ንላዕሊ ኣቢሉ ኸኣ ገልበጦ፡ እቲ ድንኳን ድማ ወደቐ። [14] እቲ ብጻዩ
ድማ መሊሱ፡ እዚ ሴፍ ጊዴዎን ወዲ ዮኣስ፡ ናይ እስራኤል ሰብ እዩ እምበር፡ ካልእ ኣይኰነን፡ ኣምላኽ
ንሚድያንን ንዅሉ ሰፈርን ኣብ ኢዱ ኣሕሊፉ ሀቦ፡ በለ። [15] ኰነ ኸኣ፡ ጊዴዎን ነገር እዚ ሕልሚ እዝን
ምፍታሑን ምስ ሰምዔ፡ ሰገደ። ድሕርዚ ናብ ሰፈር እስራኤል ተመሊሱ፡ እግዚኣብሄር ንሰፈር ሚድያን
ኣብ ኢድኩም ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ተንስኡ፡ በለ። [16] ነዞም ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ድማ ኣብ ሰለስተ ጭፍራ
መቓሎም፡ ኣብ ኢድ ኵሎም ከኣ መለኸትን ጥራዩ ዳነሱን፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ዳነሱውን ፋናታት ሀቦም።
[17] በሎም ድማ፡ ንኣይ ርአዩ፡ ከምኡ ኸኣ ግበሩ። እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ናብ ወሰን ሰፈር ምስ በጻሕኩ፡
ኪኸውን እዩ፡ ከምቲ ኣነ ዝገብሮ ግበሩ። [18] ኣነ ምስቶም ምሳይ ዘለዉ ዅሎም ኰይነ መለኸት ምስ
ነፋሕኩ፡ ንስኻትኩምውን ኣብ ዙርያ ዅሉ እቲ ሰፈር ንፍሑ፡ ንእግዚኣብሄርን ንጊዴዎንን ድማ በሉ። [19]
ኣብ መጀመርታ ሓለዋ ፍርቂ ለይቲ፡ ብኡብኡ ዘብዔኛታት ምስ ተለወጡ፡ ጊዴዎንን እቶም ምስኡ
ዝነበሩ ሚእቲ ሰብኣይን፡ ናብቲ ወሰን ሰፈር መጹ። መለኸት ከኣ ነፍሑ፡ ነቲ ኣብ ኣእዳዎም ዝነበረ
ዳነሱውን ሰበርዎ። [20] ሰለስቲኦም ጭፍራ ድማ መለኸቶም ነፍሑ፡ ነቲ ዳነሱ ኸኣ ሰበርዎ፡ ብጸጋመይቲ
ኢዶም ፋናታት ብየማነይቲ ኢዶም ከኣ፡ ኪነፍሑ፡ መለኸት ሐዙ፡ ሴፍ እግዚኣብሄርን ጊዴዎንን፡
ኢሎም ድማ ጨደሩ። [21] ነፍሲ ወከፍ ኣብ ሰስፍራኡ ኣብ ዙርያ እቲ ሰፈር ቈሙ። ሽዑ ብዘሎ እቲ
ሰራዊት ጐየየ፡ ጨርሑን ሀደሙን ከኣ። [22] ነቲ ሰለስተ ሚእቲ መለኸት ድማ ነፍሑ፡ እግዚኣብሄር ከኣ
ሴፍ ነፍሲ ወከፍ ናብ ብጻዩን ናብ ብዘሎ እቲ ሰራዊትን ገበሮ። እቲ ሰራዊት ድማ ናብ ጸረራ ኣቢሉ
ኽሳዕ ቤትሺጣ፡ ክሳዕ እታ ኣብ ገምገም ኣቤልመሖላ ዘላ ጣባት ሀደመ። [23] ሰብ እስራኤል ድማ ካብ
ንፍታሌምን ካብ ኣሴርን ካብ ኵሉ ምናሴን ተአከቡ እሞ ንሚድያናውያን ስዒቦም ሰጐጒዎም። [24]
ጊዴዎን ድማ፡ ንሚድያን ክትቃባበልዎም ውረዱ፡ ነቲ ማያት ክሳዕ ቤትባራን ዮርዳኖስን ድማ
ሐዙሎም፡ ኢሉ ናብ ብዘሎ ኸረን ኤፍሬም ልኡኻት ሰደደ። ሽዑ ዅሎም ሰብ ኤፍሬም ተአኪቦም ነቲ
ማያት ክሳዕ ቤትባራን ዮርዳኖስን ሐዝዎ። [25] ንኽልቲኦም ሹማምቲ ሚድያን፡ ዖሬብን ዜብን፡
ማረኽዎም እሞ፡ ንዖሬብ ኣብ ከውሒ ዖሬብ ቀተልዎ፡ ንዜብውን ኣብ መጽመቕ ወይኒ ዜብ
ቀተልዎ፡ ንሚድያናውያን ከኣ ሰጐጒዎም። ርእሲ ዖሬብን ዜብን ግና ናብ ስግር ዮርዳኖስ ናብ ጊዴዎን

ኣምጽእዎ።

# ምዕራፍ 8

[1] ሰብ ኤፍሬም ድማ፡ እቲ ምስ ሚድያን ክትዋጋእ ክትከይድ ከሎኻ ዘይጸዋዕካና፡ እዚ ዝገበርካናስ
እንታይ ነገር እዩ፧ በልዎ። ብሓይሊ ኸኣ ተኻራኸርዎ። [2] ንሱ ድማ፡ ክንዲ እቲ ናታትኩም እንታይ ገይረ
እየ፧ ካብ ምቕራጽ ወይኒ ኣቢዔዘርስ ቀሪም ዘለላ ኤፍሬምዶ ኣይበልጽን፧ [3] ኣምላኽ ነቶም ሹማምቲ
ሚድያን ፆሬብን ዝኤብን ኣብ ኢድኩም ሂቡኩም እዩ። ክንዲ እቲ ናታትኩም እንታይ ክገብር ከአልኩ፧
ሽዑ እዚ ዘረባዚ ምስ ተዛረበ፡ ኹራኦም ሀድኤ። [4] ጊዴዎን ድማ ናብ ዮርዳኖስ መጸ እሞ፡ ንሱን እቶም
ምስኡ ዝነበሩ ሰለስተ ሚእቲ ሰብኣይን ተሳገሩ፡ ደኺሞም ከለዉ እኳ ይሰጉ ነበሩ። [5] ንሰብ ሱኮት ከኣ፡
ኣነ ደድሕሪ ዜባሕን ጻልሙናን፡ ነገስታት ሚድያን፡ እሰጉግ ኣሎኹ፡ እዞም ዚስዕቡኒ ህዝቢ ድማ
ደኺሞም እዮም እሞ፡ በጃኹም እንጌራ ሀብዎም፡ በሎም። [6] እቶም ሹማምቲ ሱኮት ግና፡ ንሰራዊትካ
እንጌራ ኽንህቦምሲ፡ ኢድ ዜባሕን ጻልሙናን ሕጂዶ ኣብ ኢድካ ኣለዋ፧ በሉ። [7] ጊዴዎን ከኣ፡ ግዲ
የልቦን፡ እግዚኣብሄር ንዜባሕን ጻልሙናን ኣብ ኢደይ ምስ ሀበኒ፡ ንስጋኹም ብእሾኽ በረኻን
ብዳንዴርን ክዘብጠኩም እየ፡ በለ። [8] ካብኡ ናብ ፋኑኤል ደይቡ ኸኣ ንኣታቶም ከምኡ ኢሉ ተዛረቦም።
እቶም ሰብ ፋኑኤል ድማ ከምቲ ናይ ሰብ ሱኮት ገይሮም መለሱሉ። [9] ንሰብ ፋኑኤል ከኣ፡ ብሰላም ምስ
ተመለስኩ፡ ነዚ ግምቢ እዚ ኽፍርሶ እየ፡ በሎም። [10] ዜባሕን ጻልሙናን፡ ምሳታቶም ከኣ እቶም ካብ
ብዘሎ ሰራዊት ሰብ ምብራቕ ዝተረፈ ሰራዊቶም ኣስታት ዓሰርተው ሓሙሽተ ሽሕ ዚኸውን ሰብ ኣብ
ቃርቆር ነበሩ፡ እቶም ወዲቖም ዝነበሩ ድማ ሚእትን ዕስራን ሽሕ ሴፍ ዚመልሑ ሰብ ነበሩ። [11] ጊዴዎን
ድማ ብመገዲ እቶም ኣብ ምብራቕ ኖባን ዮግበሃን ኣብ ድንኳን ዚነብሩ ደዪቡ፡ ነቲ ኣብ ሰፈር ሀዲኡ
ዘሎ ሰራዊት ወቕዖ። [12] ዜባሕን ጻልሙናን ድማ ሀደሙ፡ ንሱ ግና ስዒቡ ሰጕጎም፡ ንኽልቲኦም ነገስታት
ሚድያን፡ ንዜባሕን ጻልሙናን ማረኾም፡ ንብዘሎ ሰራዊትውን ኣሸበሮ። [13] ጊዴዎን ወዲ ዮኣስ ካብ
ውግእ፡ ካብ ዓቐበት ሔረስ ተመልሰ። [14] ካብ ሰብ ሱኮት ሓደ መንእሰይ ሒዙ ሐተቶ፡ ንሱ ኸኣ ናይ
ሱኮት ሹማምትን ዓበይትን ሰብዓን ሾብዓተን ሰብ ጸሐፈሉ። [15] ናብ ሰብ ሱኮት መጺኡ ድማ፡ ነቶም
ድኹማት ሰብካ እንጌራ ኽንህቦምሲ፡ ኢድ ዜባሕን ጻልሙናን ሕጂዶ ኣብ ኢድካ ኣለዋ፧ ኢልኩም
ዘባጮኹምለይሲ፡ ዜባሕን ጻልሙናን እነዉ፡ በሎም። [16] ነቶም ዓበይቲ እታ ኸተማ ሒዙ፡ እሾኹ
በረኻን ዳንዴርን ድማ ወሲዱ፡ ንሰብ ሱኮት ብእኡ ቐጽዖም። [17] ንግምቢ ፋኑኤልውን ኣፍረሶ፡ ንሰብ
እታ ኸተማ ኸኣ ቀተሎም። [18] ንዜባሕን ንጻልሙናን ድማ፡ እቶም ኣብ ታቦር ዝቐተልኩምዎ ሰባት
ከመይ ዝበሉ ነበሩ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ከማኻ ዝበሉ እዮም፡ ነፍሲ ወከፍ ውቃቤኦም ደቂ ንጉስ
ይመስሉ፡ ኢሎም መለሱሉ። [19] ንሱ ኸኣ፡ ኣሕዋተይ፡ ደቂ እኖይ እምበር እዮም፡ ህያው እግዚኣብሄር
እዩ፡ ብህይወት እንተ ትሐድግዎምሲ ኣይምቐተልኩኹምን፡ በለ። [20] ንየተር በዅሪ ወዱ፡ ተንሲእካ
ቕተሎም፡ በሎ። እቲ ወዱ ግና፡ ንእሽቶ ነበረ እሞ፡ ፈሪሁ ሴፉ ኣይመሰተን። [21] ሽዑ ዜባሕን ጻልሙናን፡
ሰብ ከምቲ ዘለዎ ሓይሉ ድማ ከምኡ እዩ እሞ፡ ንስኻ ግዳ ተንሲእካ ውደቐና፡ በሉ። ጊዴዎን ከኣ
ተንሲኡ ንዜባሕን ንጻልሙናን ቀተሎም፡ እቲ ኣብ ክሳድ ኣግማሎም ዝነበረ ዳቛታት ከኣ ወሰደ። [22] ሽዑ
ሰብ እስራኤል ንጊዴዎን፡ ካብ ኢድ ሚድያን ኣድሒንካና ኢኻ እሞ፡ ንስኻን ወድኻን ወዲ ወድኻን
ግዝኡና፡ በልዎ። [23] ጊዴዎን ከኣ፡ ኣነስ ኣይገዝኣኩምን፡ ወደይውን ኣይገዝኣኩምን፡ እግዚኣብሄር ደኣ
ይግዛእኩም፡ በሎም። [24] ጊዴዎን ድማ፡ ካባኻትኩም ግዳ ሓደ ልማኖ እልምን ኣሎኹ፡ ነፍሲ ወከፍ እቲ

ዝማረኽ ቐላብቲ ሀቡኒ፡ በሎም። ንሳቶም እስማኤላውያን ነበሩ እሞ፡ ስለዚ ቐላብቲ ወርቂ ነበሮም ። [25]
ንሳቶም ከኣ፡ ተሐጒስና ንህበካ፡ በሉ። ክዳን ድማ ዘርግሑ፡ ነፍሲ ወከፍ ከኣ እቲ ዝማረኾ ቐላብቲ
ናብኡ ደርበየ። [26] ብጀካ እቲ ኣብ ነገስታት ሚድያን ዝነበረ ድሪን ኵትሻን ግምጃ ኽዳውንትን፡ ብጀካ
እቲ ኣብ ክሳውዲ ኣግማሎም ዝነበረ ደቓታት፡ እቲ ዝመለኖ ቐላብቲ ወርቂ ሚዛኑ ሽሕን ሾብዓተ
ሚእትን ሲቃል ወርቂ ኾነ። [27] ጊዴዎን ድማ ንእኡ ኤፉድ ገይሩ፡ ኣብ ከተማኡ ኣብ ዖፍራ ኣንበሮ።
ብዘለዉ እስራኤል ከኣ ደድሕሪኡ ኣብኡ ዘመዉ። እዚ ኸኣ ንጊዴዎንን ንቤቱን መፈንጠራ ኾነ። [28]
ሚድያን ከኣ ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ተዋረዱ፡ መሊሶም ከኣ ርእሶም ኣየልዐሉን። እታ ሃገር ድማ
ብዘበን ጊዴዎን ኣርብዓ ዓመት ዐረፈት። [29] የሩብበዓል ወዲ ዮኣስ ከኣ ከይዱ ኣብ ቤቱ ተቐመጠ። [30]
ጊዴዎን ድማ፡ ብዙሓት ኣንስቲ ነበራኦ እሞ፡ ካብ ሕቝኡ ዝወጹ ሰብዓ ኣወዳት ነበርዎ። [31] እታ ኣብ
ሴኬም ዝነበረት ሰበይቲ ወሰኑ፡ ንሳ ድማ ወዲ ወለደትሉ፡ ስሙ ኸኣ ኣቢሜሌክ ኣውጽኣሉ። [32] ጊዴዎን
ወዲ ዮኣስ ብጽቡቕ እርግና ሞተ፡ ኣብታ ናይ ኣቢዔዝራውያን ዖፍራ ኣብ መቓብር ኣቦኡ ዮኣስ ከኣ
ተቐብረ። [33] ኰነ ድማ፡ ጊዴዎን ምስ ሞተ፡ ደቂ እስራኤል ተመሊሶም ደድሕሪ በዓሊም ዘመዉ፡
ንበዓልበሪት ኣምላኾም ገበርዎ። [34] ደቂ እስራኤል ነቲ ኻብ ኢድ እቶም ኣብ ዙርያኦም ዚነብሩ ዅሎም
ጸላእቶም ዘድሐኖም እግዚኣብሄር ኣምላኾም ኣይዘከርዎን። [35] ንቤት የሩብበዓል፡ ማለት ጊዴዎን፡ ከምቲ
ንሱ ንእስራኤል ዝገበረሎም ኵሉ ጽቡቕ ነገርሲ፡ ገለ ሞያ እኳ ኣይገበሩሉን።

# ምዕራፍ 9

[1] ኣቢሜሌክ ወዲ የሩብበዓል ድማ ናብ ሴኬም ናብ ኣኮታቱ ኸደ እሞ፡ ንኣታቶምን ንዅሎም ዓሌት
ቤት ኣቦ ኣዲኡን ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ [2] በጃኹም ንዅሎም ሰብ ሴኬም ኣብ ኣእዛኖም፡ ሰብዓ ሰብ፡
ዅሎም ደቂ የሩብበዓል ኪገዝኡኹምዶ ወይስ ሓደ ሰብኣይ ኪገዝኣኩም፡ ኣየናይ ይሔሸኩም፧ ኣነ ኸኣ
ዓጽምኹምን ስጋኹምን ከም ዝኾንኩ ዘክሩ፡ በልዎም። [3] እቶም ኣኮታቱ ኸኣ እዚ ነገርዚ ዅሉ ንዅሎም
ሰብ ሴኬም ኣብ ኣእዛኖም ተዛረቡሉ። ንሱ ሓውና እዩ ኢሎም ድማ፡ ልቦም ናብ ኣቢሜሌክ ዘንበለ። [4]
ካብ ቤት በዓልበሪት ድማ ሰብዓ ሲቃል ብሩር ሀብዎ፡ ብእኡ ገይሩ ኸኣ ደድሕሪኡ ዚስዕቡ ከንቱነታት
ቀለልቲ ሰባት ተዋዓዐለ። [5] ናብ ቤት ኣቦኡ ኣብ ዖፍራ መጺኡ ነሕዋቱ፡ እቶም ደቂ የሩብበዓል፡ ሰብዓ
ሰብ ኣብ ልዕሊ ሓደ እምኒ ቐተሎም። ዮታም እቲ ንእሽቶ ወዲ የሩብበዓል ግና፡ ተሐቢኡ ነበረ እሞ፡
ተረፈ። [6] ዅሎም ሰብ ሴኬምን ብዘላ ቤት ሚሎን ተኣከቡ፡ ከይዶም ከኣ ንኣቢሜሌክ ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ
ሴኬም ዘሎ ድዋ ሓወልቲ ኣንገስዎ። [7] ንዮታም እዚ ምስ ነገርዎ፡ ናብ ርእሲ ኸረን ጌሪዚም ከይዱ ኣብኡ
ደው በለ፡ ቃሉ ዓው ኣቢሉ ጨደረ እሞ በሎም፡ ኣቱም ሰብ ሴኬም፡ ኣምላኽ ኪሰምዓኩምሲ ስምዑኒ።
[8] ኣእዋም ኣብ ልዕሊኦም ንጉስ ኪቐብኡ ኸዱ እሞ፡ ነውልዕ፡ ኣብ ልዕሌና ንገስ፡ በልዎ። [9] እቲ ኣውልዕ
ግና፡ ከይደ ኣብ ልዕሊ ኣእዋም ሰሰው ክብል ኢለስ፡ ነቲ ኣምላኽን ሰባትን ኣባይ ዜኽብርዎ ዘይተይዶ
ኽገድፍ እየ፧ በሎም። [10] ሽዑ እቶም ኣእዋም ንበለስ፡ ንስኻ ንዓ እሞ፡ ኣብ ልዕሌና ንገስ፡ በልዎ። [11] እቲ
በለስ ግና፡ ከይደ ኣብ ልዕሊ ኣእዋም ሰሰው ክብል ኢለስ፡ ነቲ ጣዕመይን ጽቡቕ ፍረይንዶ ኽገድፍ እየ፧
በሎም። [12] እቶም ኣእዋም ንወይኒ ድማ፡ ንስኻ ንዓ እሞ ኣብ ልዕሌና ንገስ፡ በልዎ። [13] እቲ ወይኒ ኸኣ፡
ከይደ ኣብ ልዕሊ ኣእዋም ሰሰው ክብል ኢለስ፡ ነቲ ንኣምላኽን ንሰባትን ዜሐጕስ ወይነይዶ ኽገድፍ እየ፧
በሎም። [14] ሽዑ ዅሎም ኣእዋም ንእሾኽ፡ ንስኻ ንዓ እሞ ኣብ ልዕሌና ንገስ፡ በልዎ። [15] እቲ እሾኽ ድማ፡
ብሓቂ ንኣይ ቀቢእኩም ኣብ ልዕሌኹም ክተንግሱኒ እንተ ደሌኹምሲ፡ ኣብ ጽላለይ ኣጽልሉ፡ እንተ

ዘይኰነስ ድማ፡ ካብቲ እሾኽ ሓዊ ይውጻእ እሞ ነቲ ጽሕድታት ሊባኖስ ይብልዓዮ፡ በሎም። 16 ሕጂ ኸኣ ንኣቢሜሌክ ብምንጋስኩምሲ ብሓቅን ብቕንዕናን እንተ ጌርኩምዎ፡ ንየሩብብዓልን ንቤቱን ድማ ጽቡቕ እንተ ጌርኩም፡ ከም ግብሪ ኢዱ ከኣ እንተ ጌርኩምሉ፡ 17 ኣቦይሲ ምእንታኹም ተዋግኤ፡ ነፍሱ ኣሕሊፉ ሂቡ ድማ ካብ ኢድ ሚድያን ኣድሐነኩም። 18 ንስኻትኩም ግና ሎሚ ናብ ቤት ኣቦይ ተንሲእኩም ንደቁ፡ ሰብዓ ሰብ፡ ኣብ ልዕሊ ሓደ እምኒ ቐቲልኩምሲ ንኣቢሜሌክ ወዲ እታ ግዝእቱ፡ ሓውኹም ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ልዕሊ ሰብ ሴኬም ኣንገስኩምዎ። 19 እምበኣርሲ በዛ መዓልቲ እዚኣ ንየሩብበዓልን ንቤቱን ብሓቅን ብቕንዕናን ጌርኩም እንተ ዀንኩም፡ ብኣቢሜሌክ ተሐጐሱ፡ ንሱውን ብኣኻትኩም ይተሐጐስ። 20 እንተ ዘይኰነስ፡ ካብ ኣቢሜሌክ ሓዊ ይውጻእ እሞ ንሰብ ሴኬምን ንቤት ሚሎን ይብላዕ፡ ካብ ሰብ ሴኬምን ካብ ቤት ሚሎን ከኣ ሓዊ ይውጻእ እሞ ንኣቢሜሌክ ይብልዓዮ። 21 ዮታም ድማ ካብ ቅድሚ ሓዉ ኣቢሜሌክ ጐይዩ ሀዲሙ ናብ ብኤር ከደ፡ ኣብኡ ኸኣ ተቐመጠ። 22 ኣቢሜሌክ ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሰለስተ ዓመት ገዝኤ። 23 ኣምላኽ ከኣ ኣብ መንጎ ኣቢሜሌክን ሰብ ሴኬምን ሕሱም መንፈስ ሰደደ እሞ፡ ንኣቢሜሌክ ዐለውዎ። 24 እዚ እቲ ኣብቶም ሰብዓ ደቂ የሩብበዓል እተገብረ ግፍዒ ምእንቲ ኺፍደ፡ ደሞም ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ዝቐተሎም ሓዎም ኣቢሜሌክን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ምቕታል ኣሕዋቱ ኢዱ ዘጽንዑሉ ሰብ ሴኬምን ምእንቲ ኪኸውን እዩ። 25 እቶም ሰብ ሴኬም ድማ ኣብ ርእሲ ኣኽራን ድብቕ ኣንበሩሉ፡ ንሳቶም ከኣ ንኹሎም ብእኡ ዚሓልፉ ሰብ መገዲ ይኸትሩ ነበሩ። እዚ ድማ ንኣቢሜሌክ ነገርዎ። 26 ጋዓል ወዲ ዔበድን ኣሕዋቱን ድማ መጺኦም ናብ ሴኬም ኣተዉ፡ ሰብ ሴኬም ከኣ ብእኡ ተኣመኑ። 27 ናብ ግርሁ ድማ ወፈሩ፡ ወይኖም ቈሪጾም ከኣ ጸመቑ፡ ናይ ሓጐስ በዓልውን ገበሩ፡ ናብ ቤት ኣምላኾም ኣትዮም ድማ በልዑን ሰተዩን፡ ንኣቢሜሌክውን ረገምዎ። 28 ጋዓል ወዲ ዔበድ ድማ በለ፡ ንሕና እንግዝኦስ ኣቢሜሌክ መን እዩ፧ ሴኬምከ መን እዩ፧ ዜቡል ዝምስሌነኡ ወዲ የሩብበዓል ደይኰነን፧ ንስኻትኩምሲ ንሰብ ሓሞር ኣቦ ሴኬም ደኣ ተገዝኡ፡ ንሕና ንእኡ እንታይ ኢልና ንግዝኦ፧ 29 እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ትሕቲ ኢደይ እንተ ዚኸውን መን ምሀበ፡ ንኣቢሜሌክ ምሰጐጐክዎ ነይረ። ንኣቢሜሌክ ከኣ፡ ሰራዊትካ ኣብዝሕ እሞ ውጻእ፡ በሎ። 30 ዜቡል፡ ሹም እታ ኸተማ፡ ዘረባ ጋዓል ወዲ ዔበድ ምስ ሰምዔ፡ ኵራኡ ነደደ። 31 ናብ ኣቢሜሌክ ከኣ ብተንኰል ከምዚ ኢሉ ልኡኻት ሰደደ፡ ጋዓል ወዲ ዔበድን ኣሕዋቱን እንሆ፡ ናብ ሴኬም ኣትዮም፡ ነዛ ኸተማ ናባኻ የተንስኡልካ ኣለዉ። 32 ሕጂ ኸኣ፡ ንስኻን እቲ ምሳኻ ዘሎ ህዝብን ብለይቲ ተንሲእካ፡ ኣብ መሮር ተደበቕ። 33 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ጽባሕ ጸሓይ ክትበርቕ ከላ ኣንጊህካ ተንስእ እሞ፡ ነዛ ኸተማ ሓደጋ ውደቓ። እንሆ ኸኣ፡ ንሱን ምስኡ ዘሎ ህዝብን ምስ ወጹኻ፡ ሽዑ ኢድካ ኸም ዝረኸበቶ ግበሮም። 34 ኣቢሜሌክን እቲ ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝብን ብለይቲ ተንሲኦም ኣርባዕተ ኽፍሊ ኰይኖም ኣብ ሴኬም ተደበቑ። 35 ጋዓል ወዲ ዔበድ ድማ ወጺኡ፡ ኣብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ ደው በለ፡ ኣቢሜሌክ ከኣ ምስቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝቢ ኻብቲ ምድባቑ ተንስኤ። 36 ጋዓል ድማ ነቲ ህዝቢ ምስ ረአየ፡ ንዜቡል፡ እንሆ፡ ህዝቢ ኻብ ርእሲ ኣኽራን ይወርድ ኣሎ፡ በሎ። ዜቡል ከኣ፡ ንኣኻ ሰብ መሲሉ ዚርአየካ ዘሎ ጽላሎት ኣኽራን እዩ፡ በሎ። 37 ጋዓል ድማ መሊሱ፡ እንሆ፡ ካብ ማእከል እታ ሃገር ህዝቢ ይወርድ ኣሎ፡ ሓደ ጭፍራ ኸኣ ብመገዲ ድዋ ጠንቈልቲ ኣቢሉ ይመጽእ ኣሎ፡ ኢሉ ተዛረበ። 38 ሽዑ ዜቡል፡ እቲ ንሕና እንግዝኦስ ኣቢሜሌክ መን እዩ፧ ዝበልካዮ፡ ሕጂ ደኣ ኣፍካ ኣበይ ኣሎ፧ እዚ እቲ ዝነዐቕካዮ ህዝብዶ ኣይኰነን፧ እምበኣር ሕጂ ወጺእካ ተዋግኣዮ፡ በሎ። 39 ጋዓል ድማ ንሰብ ሴኬም መሪሕዎም ወጸ እሞ ምስ ኣቢሜሌክ ተዋግኤ። 40 ኣቢሜሌክ ግና ሰጐጎ እሞ ካብ ቅድሚኡ ሀደመ፡ ክሳዕ ደገ እታ ኸተማ ኸኣ ብዙሓት ተወጊኦም ወደቑ። 41 ኣቢሜሌክ ድማ ኣብ ኣሩማ ተቐመጠ፡ ዜቡል ከኣ ንጋዓልን ነሕዋቱን ኣብ

ሴኬም ከይቕመጡ ሰጕጎም። 42 ኰነ ኸኣ፡ ንጽብሒቱ እቲ ህዝቢ ናብ ግርሁ ወጸ፡ እዚ ድማ ንኣቢሜሌክ
ነገርዎ። 43 ነቲ ህዝቢ ወሲዱ ኸኣ ኣብ ሰለስተ ጭፍራ መቐሎ፡ ኣብ መሮር ከኣ ድብቕ ኣንበረ። እንሆ
ድማ፡ እቲ ህዝቢ ኻብ ከተማ ኺወጽእ ምስ ረአየ፡ ተንስኣም ቀተሎም ድማ። 44 ኣቢሜሌክን እቶም
ምስኡ ዝነበሩ ጭፍራታትን ጐይዮም ኣብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ ደው በሉ። እቶም ክልተ ጭፍራ ኸኣ
ጐይዮም ነቶም ኣብ ግርሁ ዝነበሩ ዅሎም ወድእዎም። 45 ኣቢሜሌክ ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ብመልኣ
ነታ ኸተማ ተዋግኣ፡ ነታ ኸተማ ሒዙ ድማ ኣብኣ ንዝነበረ ህዝቢ ቐተለ። ነታ ኸተማ ኣፍሪሱ ኸኣ
ጨው ዘርአላ። 46 እቶም ኣብ ግምቢ ሴኬም ዝነበሩ ዅሎም እዚ ምስ ሰምዑ፡ ናብ ዕርዲ ቤት ኤልበሪት
ኣተዉ። 47 ኵሎም ሰብ ግምቢ ሴኬም ከም እተኣከቡ፡ ንኣቢሜሌክ ነገርዎ። 48 ሽዑ ኣቢሜሌክን እቲ
ምስኡ ዝነበረ ዅሉ ህዝብን ናብ ከረን ጻልሞን ደየበ። ኣቢሜሌክ ድማ ማሕጸ ኣብ ኢዱ ወሲዱ ሓደ
ጨንፈር ኦም ቈረጸ፡ ኣልዒሉ ኸኣ ኣብ መንኵቡ ገበሮ፡ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ህዝቢ፡ ከምዚ ኣነ ኽገብሮ
ዝርኤኹምኒ ቐልጢፍኩም ከምኡ ግበሩ፡ በሎም። 49 ኵሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ከምኡ
ጨጨንፈሩ ቈረጸ፡ ንኣቢሜሌክ ስዒቦም ድማ ናብቲ ዕርዲ ኣንበርዎ፡ ነቲ ዕርዱ ከኣ ኣብ ልዕሊኦም
ኣንደድዎ። ኵሎም ኣብ ግምቢ ሴኬም ዝነበሩ ሰባት ድማ፡ ኣስታት ሽሕ ሰብኣይን ሰበይትን ሞቱ። 50
ኣቢሜሌክ ድማ ናብ ቴቤጽ ከደ እሞ ንቴቤጽ ሰፈራ ሓዛ ኸኣ። 51 ኣብ ማእከል እታ ኸተማ ድማ ጽኑዕ
ግምቢ ነበረ፡ ኵሎም ሰብኡትን ኣንስትን፡ ኵሎም ሰብ እታ ኸተማ ናብኡ ሀደሙ፡ ኣብ ውሽጡውን
ተዐጽዉ፡ ናብ ናሕሲ እቲ ግምቢ ኸኣ ደየቡ። 52 ኣቢሜሌክ ድማ ናብቲ ግምቢ መጺኡ ተዋግኦ፡ ብሓዊ
ኺንድዶ ኸኣ፡ ናብ ደገ እቲ ግምቢ ቐረበ። 53 ሓንቲ ሰበይቲ ድማ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ኣቢሜሌክ መዲድ
ሰንዲዳ፡ ቀረቀራኡ ጨፍለቐቶ። 54 ሽዑ ነቲ ጐበዝ ጋሻ ዛግሬኡ ቐልጢፉ ጸዊዑ፡ ሰበይቲ ቐቲላቶ
ኸይብሉንስ፡ ሴፍካ መሲትካ ቕተለኒ፡ በሎ። እቲ ጐበዝውን ወግኦ፡ ሞተ ኸኣ። 55 እቶም ሰብ እስራኤል
ኣቢሜሌክ ከም ዝሞተ ምስ ረአዩ፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ስፍራኡ ኸደ። 56 ኣቢሜሌክ ነቶም ሰብዓ ኣሕዋቱ
ብምቕታሉ እቲ ነቦኡ ኽፉእ ዝገበሮ፡ ኣምላኽ ከምኡ ናብኡ መለሰሉ። 57 ኵሉ እቲ ኽፍኣት ሰብ ሴኬም
ድማ፡ ኣምላኽ ናብ ርእሶም መለሰሎም። እቲ መርገም ዮታም ወዲ የሩብበዓል ከኣ ኣብ ረርእሶም
በጽሖ።

# ምዕራፍ 10

1 ድሕሪ ኣቢሜሌክ ከኣ ቶላ ወዲ ጱኣ፡ ወዲ ዶዶ ካብ ሰብ ይሳኮር፡ ንምድሓን እስራኤል ተንስኤ። ንሱ
ድማ ኣብ ከረን ኤፍሬም ኣብ ሻሚር ይቕመጥ ነበረ። 2 ንእስራኤል ከኣ ዕስራን ሰለስተን ዓመት ፈረደ፡
ሞተ ድማ፡ ኣብ ሻሚር ከኣ ተቐብረ። 3 ድሕሪኡ ድማ ያኢር ጊልዓዳዊ ተንስኤ፡ ንእስራኤል ከኣ ዕስራን
ክልተን ዓመት ፈረደ። 4 ንሱ ሰላሳ ገልገል ኣድጊ ዚውጥሑ ዝነበሩ፡ ሰላሳ ደቂ ነበርዎ፡ ኣብ ምድሪ
ጊልዓድ ዘለዋ ሰላሳ ኸተማ ኸኣ ነበራኦም፡ ንሳተን ክሳዕ ሎሚ ዓድታት ያኢር ይብሀላ ኣለዋ። 5 ያኢር
ድማ ሞተ፡ ኣብ ቃሞን ከኣ ተቐብረ። 6 ደቂ እስራኤል ድማ መሊሶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ
ገበሩ፡ ንበዓላትን ንኣስታርቴታትን ንኣማልኽቲ ኣራምን ንኣማልኽቲ ሲዶንን ንኣማልኽቲ ሞኣብን
ንኣማልኽቲ ደቂ ዓሞንን ንኣማልኽቲ ፍልስጥኤማውያንን ኣገልገሉ፡ ንእግዚኣብሄር ግና ሐደግዎ
እምበር፡ ኣየገልገልዎን። 7 ሽዑ ቍራ እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል ነደደ፡ ኣብ ኢድ ፍልስጥኤማውያንን
ኣብ ኢድ ደቂ ዓሞንን ከኣ ሸጦም። 8 ንሳቶም ከኣ በታ ዓመት እቲኣ ንደቂ እስራኤል ሳቐይዎምን
ኣጥቅዕዎምን። ነቶም ኣብ ስግር ዮርዳኖስ፡ ኣብታ ኣብ ጊልዓድ ዘላ ምድሪ ኣሞራውያን ዚነብሩ ዅሎም

ደቂ እስራኤል ድማ ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመት ኣጥቅዕዎም። [9] እቶም ደቂ ዓሞን ድማ ምስ ይሁዳን ምስ ብንያምን ምስ ቤት ኤፍሬምን ኪዋግኡ ዮርዳኖስ ተሳገሩ እሞ፡ እስራኤል ኣዝዩ ጸበቦ። [10] ሽዑ ደቂ እስራኤል፡ ንኣምላኽና ሐዲግና ንበዓላት ኣገልጊልና ኢና እሞ፡ በዲልናካ ኢና፡ ኢሎም ናብ እግዚኣብሄር ተማህለሉ። [11] እግዚኣብሄር ድማ ንደቂ እስራኤል በሎም፡ ካብ ግብጻውያንን ካብ ኣሞራውያንን ካብ ደቂ ዓሞንን ካብ ፍልስጥኤማውያንንዶ ኣየድሐንኩኹምን፧ [12] እቶም ሲዶናውያንን ኣማሌቃውያንን ማኦናውያንን ምስ ጠቕዑኹም፡ ከኣ ናባይ ተማህለልኩም እሞ ካብ ኣእዳዎም ኣድሐንኩኹም። [13] ንስኻትኩም ግና ንኣይ ሐዲግኩም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኣገልገልኩም፡ ስለዚ ድሕሪ ደጊም ኣየድሕነኩምን እየ። [14] ብጊዜ ጸበባኹም ኬድሕኑኹምሲ ናብቶም ዝሐረኹምዎም ኣማልኽቲ ደኣ ኺድኩም ተማህለሉ። [15] ደቂ እስራኤል ድማ ንእግዚኣብሄር፡ በዲልና ኢና፡ ሓንትስ በዛ መዓልቲ እዚኣ ደኣ ኸተድሕነና ንልምነካ ኣሎና እምበር፡ ከምቲ ዚሐይሽ ኰይኑ እተራእየካ ኹሉ ግበረና፡ በልዎ። [16] ሽዑ ነቶም ጓኖት ኣማልኽቲ ካብ ማእከሎም ደርብዮም ንእግዚኣብሄር ኣገልገልዎ። ነፍሱ ኸኣ ብመከራ እስራኤል ተጨነቐት። [17] ደቂ ዓሞን ድማ ብኣውያት ተኣኪቦም ኣብ ጊልዓድ ሰፈሩ፡ ደቂ እስራኤልውን ተኣኪቦም ኣብ ሚጽጳ ሰፈሩ። [18] እቶም ህዝቢ ድማ፡ እቶም ሹማምቲ ጊልዓድ ነንሓድሕዶም፡ ምስ ደቂ ዓሞን ኪዋጋእ ዚጅምር ኣየናይ ሰብኣይ እዩ፧ ንሱ ነቶም ኣብ ጊልዓድ ዚነብሩ ኹሎም ሓለቓ ይኹን፡ ተበሃሀሉ።

# ምዕራፍ 11

[1] ይፍታሕ ጊልዓዳዊ ድማ፡ ንሱ ወዲ ሓንቲ ኣመንዝራ ሰበይቲ፡ ሓያል ጅግና ነበረ ጊልዓድ ንይፍታሕ ወለደ። [2] ሰበይቲ ጊልዓድ ድማ ኣወዳት ወለደትሉ። ደቂ እታ ሰበይቱ ምስ ዐበዩ ኸኣ፡ ንይፍታሕ፡ ንስኻ ወዲ ኻልእ ሰበይቲ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ቤት ኣቦና ኣይትወርስን ኢኻ፡ ኢሎም ሰጐጕዎ። [3] ሽዑ ይፍታሕ ካብ ቅድሚ ኣሕዋቱ ሀደመ፡ ኣብ ምድሪ ጦብ ከኣ ተቐመጠ። ናብ ይፍታሕ ድማ ከንቱታት ሰባት ተኣከቡ፡ ምስኡ ኸኣ ወጹ። [4] ድሕሪ ቕሩብ ጊዜ ኸኣ ኰነ፡ ደቂ ዓሞን ምስ እስራኤል ተዋግኡ። [5] እቶም ደቂ ዓሞን ምስ እስራኤል ኪዋግኡ ኸለዉ፡ እቶም ዓበይቲ ጊልዓድ ንይፍታሕ ካብ ምድሪ ጦብ ኬምጽእዎ ኸዱ። [6] ንይፍታሕ ከኣ፡ ንዓ ሐለቓና ኹን እሞ ምስ ደቂ ዓሞን ክንዋጋእ፡ በልዎ። [7] ይፍታሕ ድማ ንዓበይቲ ጊልዓድ፡ ንስኻትኩምዶ ኣይኰንኩምን ጸሊእኩምንስ፡ ካብ ቤት ኣቦይ ዝሰጐጕኩምኒ፧ ሕጂ ደኣ እንተ ጸበበኩም ከመይ ናባይ ትመጹ፧ በሎም። [8] እቶም ዓበይቲ ጊልዓድ ንይፍታሕ፡ ምሳና ኺድካ ንደቂ ዓሞን ክትዋጋእ እሞ ንኹልና ሰብ ጊልዓድ ሓለቓና ኽትከውን፡ ስለዚ ኢና ሕጂ ናባኻ እተመለስና፡ በልዎ። [9] ይፍታሕ ከኣ ንዓበይቲ ጊልዓድ፡ ምስ ደቂ ዓሞን ክዋጋእ እንተ መለስኩምኒ፡ እግዚኣብሄርውን ንኣታቶም ኣብ ኢደይ እንተ ሀበኒ፡ ሽዑ ኣነዶ ሐለቓኹም ክኸውን እየ፧ በሎም። [10] እቶም ዓበይቲ ጊልዓድ ንይፍታሕ፡ ከም ዘረባኻ እንተ ዘይገበርና፡ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎና ሰማዒ ይኹን፡ በልዎ። [11] ሽዑ ይፍታሕ ምስቶም ዓበይቲ ጊልዓድ ከደ፡ እቶም ህዝቢ ድማ ኣብ ልዕሊኦም ሓለቓን ፈራድን ገበርዎ። ይፍታሕ ድማ ኵሉ እቲ ዘረባኡ ኣብ ሚጽጳ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተዛረበ። [12] ይፍታሕ ድማ ናብ ንጉስ ደቂ ዓሞን፡ ናባይ መጺእካ ንሃገረይ እትዋግኣስ፡ ምሳይ እንታይ ኣሎካ፧ ኪብልዎ ልኡኻት ሰደደሉ። [13] እቲ ንጉስ ደቂ ዓሞን ንልኡኻት ይፍታሕ፡ እስራኤል ካብ ግብጺ ኺድይብ ከሎ፡ ነታ ምድረይ ካብ ኣርኖን ክሳዕ ያቦቅን ክሳዕ ዮርዳኖስን ወሲዱለይ እዩ እሞ፡ ሕጂ ኸኣ ንእኣ ብፍቕሪ ይምለሰለይ፡ በሎም። [14] ይፍታሕ ድማ ናብ ንጉስ ደቂ ዓሞን መሊሱ ልኡኻት ሰደደ፡ [15] በሎ ኸኣ፡

ይፍታሕ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እስራኤል ምድሪ ሞኣብን ምድሪ ደቂ ዓሞንንሲ ኣይወሰደን። 16
እስራኤልሲ ኻብ ግብጺ ምስ ደየበ፡ ብበረኻ ኣቢሉ ኽሳዕ ባሕሪ ኤርትራ ኸደ፡ ናብ ቃዴስ ድማ መጸ።
17 ሽዑ እስራኤል ናብ ንጉስ ኤዶም ልኡኻት ሰዲዱ፡ በጃኻ ብምድርኻ ኣሕልፈኒ፡ በሎ። ንጉስ ኤዶም
ግና ሕራይ ኣይበሎን፡ ናብ ንጉስ ሞኣብ ከኣ ለኣኸ፡ ንሱውን ኣይፈተወን እሞ፡ እስራኤል ኣብ ቃዴስ
ተቐመጠ። 18 ሽዑ ብበረኻ ኸይዱ፡ ንምድሪ ኤዶምን ንምድሪ ሞኣብን ዞረ፡ ናብ ምብራቕ ምድሪ ሞኣብ
መጺኡ ኸኣ፡ ኣብ ስግር ኣርኖን ሰፈሩ። ኣርኖን ዶብ ሞኣብ እዩ እሞ፡ ክንየው ዶብ ሞኣብ ኣይሐለፉን።
19 እስራኤል ከኣ ናብ ሲሆን ንጉስ ኣሞራውያን፡ ንጉስ ሔስቦን፡ ልኡኻት ሰዲዱ፡ እስራኤል፡ በጃኻ ኽሳዕ
እታ ቦታይ ብምድርኻ ኣሕልፈና፡ በሎ። 20 ሲሆን ግና እስራኤል ብዶቡ ኺሐልፍ ኣይኣመኖን እሞ፡
ሲሆን ኵሉ ህዝቡ ኣኪቡ ኣብ ያሃጽ ሰፈረ፡ ምስ እስራኤል ድማ ተዋግኤ። 21 እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል ከኣ ንሲሆንን ንዅሉ ህዝቡን ኣብ ኢድ እስራኤል ኣሕሊፉ ሀቦም፡ ሰዐርዎም ድማ፡ ሽዑ
እስራኤል ነታ ኣሞራውያን ዝነበርዋ ምድሪ፡ ንብሃገራ ወረስዋ። 22 ካብ ኣርኖን ክሳዕ ያቦቅ፡ ካብ በረኻ
ኸኣ ክሳዕ ዮርዳኖስ፡ ኵሉ ዶብ ኣሞራውያን ወረሱ። 23 ሕጂ ድማ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል
ንኣሞራውያን ካብ ቅድሚ ህዝቡ እስራኤል ሰጒጕዎም እዩ እሞ፡ ንስኻዶ ኽትወርሶም ኢኻ፧ 24 ንስኻስ
ከሞሽ ኣምላኽካ ዘውረሰካዶ ኣይትወርስን፧ ከምኡ ድማ ንሕና ነቶም እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኻብ
ቅድሜና ዝሰጐጎም ዘበሉ ኽንወርስ ኢና። 25 ሕጂ ኸኣ ካብ ባላቅ ወዲ ጺጶር፡ ንጉስ ሞኣብዶ ንስኻ
ትበልጽ ኢኻ፧ ንሱ ምስ እስራኤልዶ ተባኢሱ ወይ ምስኦም ተዋጊኡ እዩ፧ 26 እስራኤል ኣብ ሔስቦንን ኣብ
ዓድታታን፡ ኣብ ዓሮዔርን ኣብ ዓድታታን ኣብ ጥቓ ኣርኖን ዘለዋ ዅለን ከተማታትን ሰለስተ ሚእቲ
ዓመት ተቐሚጡ ኸሎ ደኣ ስለምንታይ በቲ ዘበን እቲ ዘይወሰድኩምዎ፧ 27 ኣነስ ኣይበደልኩኻን፡ ንስኻ
ግና ንኣይ ብምውጋእካ ኽፉእ ትገብረኒ ኣሎኻ። እቲ ፈራዲ እግዚኣብሄር ደኣ ኣብ መንጎ ደቂ እስራኤልን
ኣብ መንጎ ደቂ ዓሞንን ሎሚ ይፍረድ። 28 እቲ ንጉስ ደቂ ዓሞን ግና ነቲ ይፍታሕ ዝለኣኸሉ ቓል
ኣይሰምዖን። 29 ሽዑ መንፈስ እግዚኣብሄር ናብ ልዕሊ ይፍታሕ መጸ እሞ፡ ብጊልዓድን ብምናሴን ኣቢሉ
ብሚጽጳ ናይ ጊልዓድ ሐለፈ፡ ካብ ሚጽጳ ናይ ጊልዓድ ከኣ ናብ ደቂ ዓሞን ሐለፈ። 30-31 ይፍታሕ ድማ
ንእግዚኣብሄር፡ ንደቂ ዓሞን ኣብ ኢደይ እንተ ሂብካንስ፡ ሽዑ ኪኸውን እዩ፡ ካብ ደቂ ዓሞን ብድሓን
ምስ ተመለስኩ፡ እቲ ኪቕበለኒ ኢሉ ኻብ ደጌታት ቤተይ ዚወጽእ፡ ንእግዚኣብሄር ይኹን፡ ንዚሐርር
መስዋእቲ ከቕርቦ እየ፡ ኢሉ መብጽዓ ተማባጽዔ። 32 ሽዑ ይፍታሕ ምስ ደቂ ዓሞን ኪዋጋእ ናብኦም
ገስገሰ፡ እግዚኣብሄርውን ንኣታቶም ኣብ ኢዱ ኣሕሊፉ ሀቦ። 33 ካብ ዓሮዔር ክሳዕ ሚኒት እትእቱ፡ ዕስራ
ኸተማ፡ ክሳዕ ኣቤልከራሚም ድማ ብኣዝዩ ብርቱዕ ውግእ ሰዐሮም። ደቂ ዓሞን ከኣ ኣብ ቅድሚ ደቂ
እስራኤል ተዋረዱ። 34 ይፍታሕ ድማ ናብ ሚጽጳ ናብ ቤቱ ምስ መጸ፡ እንሆ ጓሉ ብኸበሮን ብሳዕስዒትን
ክትቅበሎ ወጸት። ሓንቲ ንሳ ጥራይ እያ ውሉዱ፡ ብጀካኣ ወዲ ወይ ጓል ኣይነበሮን። 35 ኰነ ኸኣ፡ ንእኣ
ምስ ረአያ፡ ክዳውንቱ ቐዲዱ፡ ኣየ ጓለይ፡ ናብ እግዚኣብሄር ኣፈይ ከፊተ እየ፡ ክምለስ ከኣ ኣይክእልን እየ
እሞ፡ ምስቶም ዜናውጹኒ ኼንኪ ሓይለይ ኣድከምክኒ፡ በለ። 36 ንሳ ድማ፡ ኣቦየ፡ እግዚኣብሄር ኣብቶም
ደቂ ዓሞን ጸላእትኻ ሕነ ኻብ ፈደየልካ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣፍካ ኻብ ከፈትካስ፡ ንኣይ ከምቲ ኻብ
ኣፍካ ዝወጸ ግበረኒ፡ በለቶ። 37 ነቦኣ ድማ፡ ካብዚ ኸይደ ናብ ኣኽራን ወሪደ ኣነ ምስተን ብጾተይ ኰይነ
ንድንግልናይ ክልተ ወርሒ ኽበኽየላ፡ እዚ ነገር እዚ ይገበረለይ፡ በለቶ። 38 ኪዲ ኢሉ፡ ክልተ ወርሒ
ትኺድ ሐደጋ። ሽዑ ንሳ ምስ ብጾታ ኸይዳ፡ ኣብ ኣኽራን ኰይና ንድንግልናኣ በኸየትላ። 39 ኰነ ኸኣ፡
እቲ ኽልተ ወርሒ ምስ መልኤ፡ ናብ ኣቦኣ ተመልሰት፡ ከምቲ ተማባጺዕዎ ዝነበረ መብጽዓ ገበራ። ንሳ
ድማ ሰብኣይ ከይፈለጠት ነበረት። ኣብ እስራኤል ድማ ስርዓት ኰነ። 40 እተን ኣዋልድ እስራኤል

በብዓመት እናኸዳ ንጓል ይፍታሕ ጊልዓዳዊ ኣርባዕተ መዓልቲ ይውድሳኣ ነበራ።

## ምዕራፍ 12

1 ሰብ ኤፍሬም ድማ ተኣኪቦም ናብ ሰሜን ሓለፉ። ንይፍታሕ ከኣ፡ እቲ ምስ ደቂ ዓሞን ክትዋጋእ
ክትሓልፍ ከሎኻስ፡ ምሳኻ ክንደይድ ንኣና ዘይጸዋዕካና፡ ስለምንታይ ኢኻ፧ ቤትካ ኣብ ልዕሌኻ ብሓዊ
ኽነንድዳ ኢና፡ በልዎ። 2 ይፍታሕ ድማ፡ ኣነን ህዝበይን ምስ ደቂ ዓሞን ኣብ ብርቱዕ ምጽራር ከሎና፡
ምስ ጸዋዕኩኹም ከኣ፡ ካብ ኢዶም ኣየድሓንኩምንን። 3 ከም ዘይተድሕኑኒ ምስ ርኤኹ ድማ፡ ንነፍሰይ
ኣብ ኢደይ ገይረያ፡ ናብ ደቂ ዓሞን ሓለፍኩ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ንኣታቶም ኣብ ኢደይ ሀበኒ።
ስለምንታይከ ሎሚ ክትዋግኡኒ ደየብኩም፧ በሎም። 4 ይፍታሕ ድማ ንዅሎም ሰብ ጊልዓድ ኣኺቲቱ
ምስ ኤፍሬም ተዋግኤ። ንሳቶም ከኣ፡ ኣቱም ሰብ ጊልዓድ፡ ካብ ኤፍሬም ሀዲምኩም ኣብ ማእከል
ኤፍሬምን ኣብ ማእከል ምናሴን ኢኹም፡ ይብልዎም ነበሩ እሞ፡ እቶም ሰብ ጊልዓድ ንሰብ ኤፍሬም
ሰዐርዎም። 5 እቶም ጊልዓዳውያን ድማ ንኤፍሬማውያን መሳገሪታት ዮርዳኖስ ሐዙሎም። ኰነ ኸኣ፡
ካብቶም ህዱማት ኤፍሬም፡ ኣሕልፉኒ፡ ምስበሎም፡ እቶም ሰብ ጊልዓድ ድማ፡ ኤፍሬማዊ ዲኻ በልዎ።
ንሱ ኸኣ፡ ኣይፋለይን፡ እንተ በለ፡ 6 ንሳቶም ድማ፡ እስኪ ሺቦለት በል፡ በልዎ። ንሱ ኸኣ ከምኡ ኣቕኒዑ
ምዝራብ ስለዘይከኣለ፡ ሲቦለት፡ በለ። ሽዑ ሒዞም ኣብ መሳገሪታት ዮርዳኖስ ሐረድዎ፡ በታ ጊዜ እቲኣ
ኻብ ኤፍሬም ኣርብዓን ክልተን ሽሕ ወደቑ። 7 ይፍታሕ ድማ ንእስራኤል ሹድሽተ ዓመት ፈረደ።
ድሕርቲ ይፍታሕ ጊልዓዳዊ ሞተ፡ ኣብ ሓንቲ ኻብ ኸተማታት ጊልዓድ ከኣ ተቐብረ። 8 ድሕሪኡ ኸኣ
ኢብጻን በዓል ቤትልሄም ንእስራኤል ፈረደ። 9 ንሱ ሰላሳ ኣወዳት ነበርዎ፡ ሰላሳ ኣዋልድ ንግዳም
ኣመርዐወ፡ ነወዳቱ ድማ፡ ሰላሳ ኣዋልድ ካብ ግዳም ኣእተወሎም፡ ንእስራኤል ኸኣ ሾብዓተ ዓመት
ፈረደ። 10 ኢብጻን ድማ ሞተ፡ ኣብ ቤትልሄም ከኣ ተቐብረ። 11 ብድሕሪኡ ኸኣ ኤሎን ዛብሎናዊ
ንእስራኤል ፈረደ፡ ንእስራኤል ዓሰርተ ዓመት ፈረደ። 12 ኤሎን ዛብሎናዊ ድማ ሞተ፡ ኣብ ኣያሎን ኣብ
ምድሪ ዛብሎን ተቐብረ። 13 ድሕሪኡ ድማ ዓብዶን፡ ወዲ ሂሌል ጲርዓቶናዊ፡ ንእስራኤል ፈረደ። 14 ንሱ
ኸኣ ሰብዓ ገልገል ኣድጊ ዚውጥሑ ኣርብዓ ደቅን ሰላሳ ደኢ ደቅን ነበርዎ። ንእስራኤል ድማ ሾሞንተ
ዓመት ፈረደ። 15 ዓብዶን፡ ወዲ ሂሌል ጲርዓቶናዊ፡ ከኣ ሞተ፡ ኣብ ጲርዓቶን፡ ምድሪ ኤፍሬም፡ ኣብ
ከረን ኣማሌቃውያን ከኣ ተቐብረ።

## ምዕራፍ 13

1 ደቂ እስራኤል ድማ መሊሶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበሩ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣርብዓ ዓመት
ኣብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኣሕሊፉ ሀቦም። 2 ማኖኣ ዝስሙ ሰብኣይ ካብ ዓሌት ዳን፡ ብዓል ጾርዓ
ነበረ። ሰበይቱ ኸኣ መኻን ነበረት እሞ፡ ኣይወለደትን። 3 መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ነታ ሰበይቲ ተራእያ
በላውን፡ እንሆ፡ መኻን ኢኺ እሞ፡ ኣይወለድክን፡ ግናኸ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ ኢኹ። 4
እምበኣር ሕጂ ወይንን ዜስክርን ከይትሰትዪ ርኹስ ዘበለውን ከይትበልዒ በጀኺ ተጠንቀቒ። 5 እንሆ
ኸኣ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ ኢኺ፡ እቲ ቈልዓ ኻብ ከርሲ ጀሚሩ ናይ ኣምላኽ ናዝራዊ
ኪኸውን እዩ እሞ፡ ናብ ርእሱ መላጸ ኣይሐልፎን። ንሱ ድማ ንእስራኤል ካብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን
ምድሓኖም ኪጅምር እዩ። 6 ሽዑ እታ ሰበይቲ መጺኣ ንሰብኣያ፡ ትርኢቱ ኸም ትርኢት መልኣኽ ኣምላኽ

ኣዝዩ ዜፍርህ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ መጺኡኒ ነይሩ። ኣነ ኻበይ ከም ዝኾነ ኣይጠየቕክዎን፡ ንሱውን ስሙ ኣይነገረንን። [7] ግናኸ፡ እንሆ፡ ክትጠንሲ ኢኺ ወዲውን ክትወድልዲ ኢኺ፡ እቲ ቈልዓ ኻብ ከርሲ ጀሚሩስ ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ ናዝራዊ ኣምላኽ ኪኸውን እዩ እሞ፡ ወይንን ዜስክርን ኣይትስተዪ፡ ርኹስ ዘበለውን ኣይትብልዒ፡ በለኒ ኢላ ተዛረበቶ። [8] ማኖኣ ድማ ንእግዚኣብሄር፡ ዎ ጐይታይ፡ እቲ ዝለኣኽካዮ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ነቲ ዚውለድ ቈልዓ እንታይ ከም እንገብረሉ ኺነግረናስ፡ በጃኻ መሊሱ ይምጽኣና፡ ኢሉ ለመነ። [9] ኣምላኽ ድማ ቃል ማኖኣ ሰምዔ፡ እታ ሰበይቲ ኣብ መሮር ኮፍ ኢላ ኸላ፡ እቲ መልኣኽ ኣምላኽ መሊሱ መጸ፡ ማኖኣ ሰብኣያ ግና ምስኣ ኣይነበረን። [10] እታ ሰበይቲ ድማ ቀልጢፋ ናብ ሰብኣያ ጐይያ፡ እቲ ሓደ መዓልቲ መጺኡኒ ዝነበረ ሰብኣይ፡ እንሆ ተራእዩኒ፡ ኢላ ነገረቶ። [11] ማኖኣ ኸኣ ተንሲኡ ደድሕሪ ሰበይቱ ሰዐበ፡ ናብቲ ሰብኣይ መጺኡ ድማ፡ ነዛ ሰበይቲ እተዛረብካያ ሰብኣይ ንስኻ ዲኻ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣነ እየ፡ በሎ። [12] ማኖኣ ድማ፡ ሕጂ ቓልካ ምስ ተፈጸመ፡ ስርዓት እቲ ቈልዓን ግብሩን እንታይ ኪኸውን እዩ፧ በለ። [13] እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ንማኖኣ፡ እታ ሰበይቲ ኻብቲ ዝበልክዋ ኹሉ ትጠንቀቕ። [14] ካብ ኦም ወይኒ ዚወጽእ ዘበለ ኣይትብላዕ፡ ወይንን ዜስክርን ከኣ ኣይትስተ፡ ርኹስ ዘበለውን ኣይትብላዕ፡ እቲ ዝኣዘዝክዋ ኹሉ ትሐሉ፡ በሎ። [15] ማኖኣ ድማ ነቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር፡ ማሕስእ ኣብ ቅድሜኻ ኸነዳልወልካስ፡ በጃኻ ኸነጽንሓካ፡ በሎ። [16] እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንማኖኣ፡ እንተ ኣጽናሕካኒውን ካብ እንጌራኻስ ኣይበልዕን እየ። ዚሐርር መስዋእቲ ኽትገብር እንተ ደሌኻ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ኣዕርገሉ፡ በሎ። ማኖኣ ግና መልኣኽ እግዚኣብሄር ምዃኑ ኣይፈለጠን ነበረ። [17] ማኖኣ ድማ ነቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር፡ እቲ ቓልካ ምስ ተፈጸመ፡ ምእንቲ ኽነኽብረካስ፡ ስምካ መን እዩ፧ በሎ። [18] እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ፡ ስለምንታይከ ስመይ እትሐትት፧ ንሱ መንክር እዩ፡ በሎ። [19] ማኖኣ ድማ ማሕስእን መስዋእቲ ብልዕን ወሲዱ፡ ኣብ ከውሒ ንእግዚኣብሄር ኣዕረገሉ። ሽዑ ማኖኣን ሰበይቱን እናረኣዩ ተኣምራት ገበረ። [20] ኰነ ኸኣ፡ እቲ ሃልሃልታ ኻብ መሰውኢ ናብ ሰማይ ኪድይብ ከሎ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር በቲ ሃልሃልታ መሰውኢ ደየበ። ማኖኣን ሰበይቱን እዚ ምስ ረአዩ፡ ብገጾም ናብ ምድሪ ተደፍኡ። [21] እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ንማኖእን ንሰበይቱን መሊሱ ኣይተራእዮምን። ሽዑ ማኖኣ ንሱ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ፈለጠ። [22] ማኖኣ ድማ ንሰበይቱ፡ ንኣምላኽ ርኢናዮ ኢና እሞ፡ ብርግጽ ክንመውት ኢና፡ በላ። [23] እታ ሰበይቱ ግና፡ እግዚኣብሄር ኪቐትለና እንተ ዚደልስ፡ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ብልዕን ካብ ኢድና ኣይምተቐበለን፡ እዚ ኹሉውን ኣይመርኣየናን፡ ከምዚ ናይ ሕጂ ዝበለ ድማ ኣይመስምዓናን፡ በለቶ። [24] እታ ሰበይቲ ወዲ ወለደት፡ ስሙ ኸኣ ሲምሶን ሰመየቶ። እቲ ቈልዓ ድማ ዐበየ፡ እግዚኣብሄርውን ባረኾ። [25] ኣብ መሓነዳን ኣብ መንጎ ጾርዓን ኤሽታኦልን ከሎ ድማ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኪድርኾ ጀመረ።

## ምዕራፍ 14

[1] ሲምሶን ድማ ናብ ቲምናታ ወረደ፡ ኣብ ቲምናታ ኸኣ ካብ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን ሓንቲ ሰበይቲ ረአየ። [2] ደዪቡ ድማ ነቦኡን ነዲኡን፡ ኣብ ቲምናታ ኻብ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን ሓንቲ ሰበይቲ ርእየ ኣሎኹ እሞ፡ ሕጂ ንእኣ ኣመርዕዉኒ፡ ኢሉ ነገሮም። [3] ኣቦኡን ኣዲኡን ድማ፡ ኬድካ ኻብቶም ዘይግዙራት ፍልስጥኤማውያን ሰበይቲ እተምጽእሲ፡ ኣብ ኣዋልድ ኣሕዋትካ ወይ ኣብ ብዘሎ ህዝበይዶ ሰበይቲ የልቦን፧ በልዎ። ሲምሶን ነቦኡ፡ ብሂገያ እየ እሞ፡ ንእኣ ደኣ ኣምጽኣለይ፡ በሎ። [4] ኣቦኡን ኣዲኡን ግና፡ እግዚኣብሄር ካብ ፍልስጥኤማውያን ምኽንያት ይደሊ ነበረ፡ እሞ፡ እዚ ኹሉ ካብኡ ከምዝኾነ

ኣይፈለጡን ነበሩ። በታ ጊዜ እቲኣ ኸኣ ፍልስጥኤማውያን ንእስራኤል ይገዝእዎም ነበሩ። [5] ሽዑ
ሲምሶንን ኣቦኡን ኣዲኡን ናብ ቲምናታ ወረዱ፡ ናብቲ ኣብ ቲምናታ ዘሎ ኣታኽልቲ ወይኒ ምስ መጹ
ድማ፡ እንሆ፡ ሸደን ኣንበሳ እናጓዘመ ተቐባበሎ። [6] መንፈስ እግዚኣብሄር ከኣ ወረዶ፡ ኣብ ኢዱ ገለ እኳ
ዜብሉ ኸነሱ፡ ንማሕስእ ከም ዚሰላልዕ ሰላልዖ። እቲ ዝገበሮ ግና ነቦኡ ኾነ ነዲኡ ኣይነገሮምን። [7]
ወሪዱ ኸኣ ነታ ሰበይቲ ተዛረባ፡ ንሳ ድማ ንሲምሶን ባህ በለቶ። [8] ድሕሪ ቕሩብ መዓልቲ ኸኣ ኪወስዳ
ተመልሰ፡ ነቲ ገምቢ ኣንበሳ ኺርኢዎ ኣግለሰ። እንሆ ድማ፡ ኣብቲ ገረንገረ ኣንበሳ፡ ዕስለ ንህብን
መዓርን ነበረ። [9] በእዳዉ ወሲዱ ከኣ እናበልዔ ኸደ፡ ናብ ኣቦኡን ኣዲኡን መጺኡ ድማ ሀቦም፡ በልዑ
ኸኣ። ነቲ መዓር ካብ ገረንገረ ኣንበሳ ኸም ዝወሰዶ ግና ኣይነገሮምን። [10] ኣቦኡ ድማ ናብታ ሰበይቲ
ወረደ፡ እቶም መንእሰይ ከምኡ ይገብሩ ነበሩ እሞ፡ ሲምሶንውን ኣብኡ ድግስ ደገሰ። [11] ኰነ ኸኣ፡ ምስ
ረአይዎ፡ ምስኡ ዚኾኑ ሰላሳ ኣዕሩኽ ኣምጽኡሉ። [12] ሲምሶን ከኣ ንኣታቶም፡ ኣነ ግዳ ሕንቅሕንቅሊቶይ
ክብለኩም እሞ፡ ንእኡ በዘን ናይ ድግስ ሾብዓተ መዓልቲ ገሊጽኩም እንተ ነገርኩምኒ፡ ሰላሳ ቐምሽ
ልሕጺ እንጣጢዕን ሰላሳ ለውጢ ኽዳንን ክህበኩም እየ። [13] ክትነግሩኒ እንተ ዘይከኣልኩም ግና፡
ንስኻትኩም ንኣይ ሰላሳ ቐምሽ ልሕጺ እንጣጢዕን ሰላሳ ለውጢ ኽዳንን ክትህቡኒ ኢኹም፡ በሎም።
እቲ ሕንቅሕንቅሊቶይካ ንገረና እሞ፡ ክንሰምዖ፡ በልዎ። [14] ሽዑ ንሱ፡ ካብቲ በላዒ ብልዒ ወጸ፡ ካብቲ
ሓያል ድማ ጥዑም ወጸ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ ነቲ ሕንቅሕቅሊቶይ ብሰለስተ መዓልቲ እኳ ኺነግርዎ
ኣይከኣሉን። [15] ኰነ ኸኣ፡ ብሳብዐይቲ መዓልቲ ንሰበይቲ ሲምሶን፡ ንሰብኣይኪ እቲ ሕንቅሕንቅሊቶይ
ኪነግረና፡ ሓባብልዮ፡ እንተ ዘይኰነስ ንኣኽን ንቤት ኣቦኽን ብሓዊ ኽነንድደኩም ኢና። ከተንድዩና
ዲኹም ዝጸዋዕኩምና፡ ከምኡ ደይኰነን፤ በልዋ። [16] ሽዑ ሰበይቲ ሲምሶን ኣብ ልዕሊኡ ኹይና
እናበኸየት፡ ጸሊእካኒ ኢኻ እምበር፡ ኣይፈቶኻንን፡ ንደቂ ህዝበይ ሕንቅሕንቅሊቶይ ኢልካዮምሲ፡ ንኣይ
ከኣ ኣይገለጽካለይን፡ በለቶ። ንሱ ድማ ንእኣ፡ እንሆ፡ ነቦይን ነደይን እኳ ዘይገለጽኩሎምሲ፡ ንኣኺዶ
ኽገልጸልኪ እየ፤ በላ። [17] ንሳ ኸኣ በተን ሾብዓተ መዓልቲ ድግሶም ኣብ ልዕሊኡ ኹይና በኸየት። ኰነ
ኸኣ፡ ንሳ ስለ ዘጨነቐቶ፡ በታ ሳብዓይቲ መዓልቲ ገለጸላ እሞ እቲ ሕንቅሕንቅሊቶይ ንደቂ ህዝባ
ገለጸትሎም። [18] እቶም ደቂ እታ ኸተማ ኸኣ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ጸሓይ ከይዐረበት፡ ካብ መዓር
ዚጥዕምሲ እንታይ እዩ፡ ካብ ኣንበሳ ዚሕይልከ መን እዩ፤ በልዎ። ንሱ ድማ፡ ብኣርሐይ እንተ
ዘይትሓርሱስ፡ ነዚ ሕንቅሕንቅሊቶየይ ኣይምፈለጥኩምዎን ኔርኩም፡ በሎም። [19] መንፈስ እግዚኣብሄር
ከኣ መጸ እሞ ናብ ኣስቃሎን ወረደ፡ ካብኦም ከኣ ሰላሳ ሰብኣይ ቀተለ፡ ንኣታቶም ገፊፉ ድማ፡ ነቶም
ሕንቅሕንቅሊቶዩ ዝገለጹሉ እቲ ለውጢ ኽዳውንቲ ሀቦም። ኵራኡ ድማ ነደደ፡ ናብ ቤት ኣቦኡ ኸኣ
ደየበ። [20] እታ ሰበይቲ ሲምሶን ነቲ ብፍላይ ፈታዊኡ ዝነበረ ዓርኩ ተዋህበት።

## ምዕራፍ 15

[1] ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ቕሩብ መዓልቲ ብጊዜ ዓጺድ ስርናይ፡ ሲምሶን ንሰበይቱ ማሕስእ ሒዙ በጽሓ እሞ፡
ናብ ሰበይተይ ኣብ ሕልፍኚ ኽኣቱ እደሊ ኣሎኹ፡ በለ። ኣቦኣ ግና ኪኣቱ ኣይፈቐደሉን። [2] ኣቦኣ ኸኣ፡
ፈጺምካ ዝጸላእካያ መሲሉንስ ናብ ዓርክኻ ኣመርዕየያ፡ እምበኣር ኣብ ክንድኣ እታ ኻብኣ እትጽብቕ
ንእሽቶ ሓብታ ደኣ ንኣኻ ትኹን፡ በለ። [3] ሲምሶን ከኣ፡ ድሕሪ ደጊም ኣነ ንፍልስጥኤማውያን ክፉእ እንተ
ገበርክዎም፡ በደል የብለይን፡ በሎም። [4] ሲምሶን ድማ ከይዱ ሰለስተ ሚእቲ ወኻርያ ሐዘ፡ ፋናታት
ወሲዱ ኸኣ፡ ጭራ ምስ ጭራ ኣቋራንዩ ኣብ ማእከል ኣብ መንጎ ኽልተ ጭራ ሓደ ፋና ገበረ። [5] ነቲ

ፋናታት ብሓዊ ኣቃጺሉ ኸኣ ኣብ ማእከል ዘራእቲ ፍልስጥኤማውያን ፈነወን፡ ቅሚጦን ዘይዕጹድ
እኽልን ኣትክልቲ ኣውልዕን ከኣ ነደደ፡ [6] ሽዑ ፍልስጥኤማውያን፡ እዚ ዝገበረ መን እዩ፧ በሉ። ሲምሶን፡
ሰብኣይ ጓሉ ነቲ ቲምናታዊ፡ ሰበይቱ ወሲዱ ንዓርኩ ስለ ዝሀቦ፡ ንሱ እዩ በሉ። እቶም ፍልስጥኤማውያን
ድማ ደዪቦም፡ ንእኣን ነቦኣን ብሓዊ ኣንደድዎም። [7] ሲምሶን ከኣ፡ ከምዚ እኳ እንተ ገበርኩም፡ ኣነስ
ኣጸቢቐ ሕነ ኽፈድየኩም እየ፡ ድሕርቲ እየ ዝሐድግ፡ በሎም። [8] ኣብ ምሕኵልትን ኣብ ስለፍን ከኣ ብርቱዕ
መውቃዕቲ ወቕዖም። ወሪዱ ድማ ኣብ በዓቲ ኸውሒ ዔጣም ተቐመጠ። [9] ሽዑ ፍልስጥኤማውያን
ደዪቦም ኣብ ይሁዳ ሰፈሩ፡ ኣብ ሌሒ ኸኣ ፋሕ በሉ። [10] ሰብ ይሁዳ ድማ፡ ስለምንታይ ናባና ደየብኩም፧
በልዎም። ንሳቶም ከኣ፡ ንሲምሶን ክንኣስሮ፡ ከምቲ ዝገበረና ድማ ክንገብሮ ኢና ዝደየብና፡ በሉ። [11] ሽዑ
ኻብ ይሁዳ ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይ ናብ በዓቲ ኸውሒ ዔጣም ወረዱ፡ ንሲምሶን ከኣ፡ ፍልስጥኤማውያን
ከም ዚገዝኡናዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ፧ እዚ ዝገበርካና ደኣ እንታይ እዩ፧ በልዎ። ከምቲ ዝገበሩኒ ኸምኡ
ገበርክዎም፡ በሎም። [12] ንሳቶም ከኣ፡ ኣሲርና ኣብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ከነሕልፈካ ኢና ዝወረድና፡
በልዎ። ሲምሶን ድማ፡ ንስኻትኩም ደኣ ኸይትጕብጡኒ ምሐሉለይ፡ በሎም። [13] ንሳቶም ከኣ፡
ኣይፋልናን፡ ኣጽኒዕና ኣሲርና ደኣ ናብ ኢዶም ከነሕልፈካ ኢና እምበር፡ ምቕታልሲ ኣይንቐትለካን ኢና፡
ኢሎም ተዛረብዎ። ብኽልተ ሓድሽ ገመድ ኣሲሮም ድማ ካብቲ ኸውሒ ኣደየብዎ። [14] ናብ ሌሒ ምስ
መጸ ኸኣ፡ እቶም ፍልስጥኤማውያን እልል እናበሉ ተቐበልዎ። መንፈስ እግዚኣብሄር ድማ ናብ ልዕሊኡ
ወረደ፡ እቲ ኣብ ቀላጽሙ ዝነበረ ኣግማድ ከኣ ሓዊ ኸም ዝበልዖ ፈትሊ እንጣጢዕ ኰነ። እቲ መእሰሪኡ
ኸኣ ካብ ኣእዳዉ መኸኸ። [15] ሓድሽ ምንጋጋ ኣድጊ ድማ ረኸበ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ኸኣ ወሰዶ እሞ ብእኡ
ገይሩ ሽሕ ሰብኣይ ቀተለ። [16] ሲምሶን ከኣ ብንምጋጋ ኣድጊ ሓደ ኹምራ፡ ኤረ ኽልተ ኹምራ፡ ብምንጋጋ
ኣድጊ ሽሕ ሰብኣይ ቀተልኩ፡ በለ። [17] ኰነ ኸኣ፡ ዘረባኡ ምስ ወድኤ፡ ነቲ ምንጋጋ ኻብ ኢዱ ደርበዮ፡ ነታ
ቦታ ድማ ራማትሌሒ ሰመያ። [18] ንሱ ኸኣ ኣዝዩ ጸምኤ እሞ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ እዚ ዓብዪ
ምድሓን እዚ ንስኻ ብኢድ ባርያኻ ሀብካ፡ ሕጂ ኸኣ ብጽምኢ ኽመውት፡ ኣብ ኢድ እቶም
ዘይግዙራትውን ክወድቕ እየ፡ በለ። [19] ሽዑ ኣምላኽ ነታ ኣብ ሌሒ ዝነበረት ገንኦ ሰንጠቓ፡ ካብኣ ድማ
ማይ ወጸ። ምስ ሰተየ ድማ መንፈሱ ተመልሰ፡ ሐወየ ኸኣ። ስለዚ ስማ ዔንሀቆረ ሰመያ፡ ንሳ ኽሳዕ ሎሚ
ኣብ ሌሒ ኣላ። [20] ንሱ ድማ ብዘበን ፍልስጥኤማውያን ንእስራኤል ዕስራ ዓመት ፈረደ።

## ምዕራፍ 16

[1] ሲምሶን ድማ ናብ ጋዛ ኸደ፡ ኣብኣ ኸኣ ሓንቲ ኣመንዝራ ሰበይቲ ረአየ እሞ ናብኣ ኣተወ። [2] ንሰብ ጋዛ፡
ሲምሶን ናብዚ ኣትዩ፡ በልዎም። ንሳቶም ድማ ከበብዎ፡ ኣብ ደገ እታ ኸተማ ኸኣ ምሉእ ለይቲ ድብቕ
ኣንበሩሉ። እንሆ፡ ምስ በርሄ ኽንቀትሎ ኢሎም ድማ፡ ምሉእ ለይቲ ስቕ በሉ። [3] ሲምሶን ከኣ ክሳዕ ፍርቂ
ለይቲ ደቀሰ። ፍርቂ ለይቲ ምስ ኰነ ድማ፡ ተንሲኡ ነቲ መዓጹ ደገ እታ ኸተማ ምስ ክልተ ልዳውቱን
ምስ መሸጐሪኡን ሒዙ መንቈሶ፡ ኣብ መንኵቡ ገይሩ ድማ ናብ ርእሲ እቲ ኣብ መንጽር ኬብሮን ዘሎ
ኸረን ኣደየቦ። [4] ድሕርዚ ኸኣ ኰነ፡ ኣብ ለሰ ሾሬቅ ደሊላ ዝስማ ሰበይቲ ፈተወ። [5] እቶም ሹምማቲ
ፍልስጥኤማውያን ድማ ናብኣ ደዪቦም፡ ኣሲርና ኽንመልኮስ ከመይ ጌርና ኸም እንኽእሎ፡ እቲ ዓብዪ
ሓይሉውን ብምንታይ ምዃኑ ኽትርእዩ ሐባብልዮ፡ ንሕና ኸኣ ነፍሲ ወከፍና ሽሕን ሚእትን ሲቃል
ብሩር ክንህበኪ ኢና፡ በልዋ። [6] ደሊላ ድማ ንሲምሶን፡ እዚ ዓብዪ ሓይልኻ ብምንታይ ምዃኑ፡
ክትምለኽሲ ኸመይ ከም እትእሰር፡ በጃኻ ንገረኒ፡ በለቶ። [7] ሲምሶን ድማ፡ ብሾብዓተ ሓድሽ ዘይነቐጸ

ምራን እንተ ኣሰሩኒ እደክም፡ ከም ማንም ሰብ ከኣ እኸውን፡ በላ። [8] ሽዑ እቶም ሹማምቲ
ፍልስጥኤማውያን ሾብዓተ ሓድሽ ዘይነቐጸ ምራን ኣምጽኡሉ እሞ ብእኡ ኣሰረቶ። [9] ኣብ ሕልፍኚኣ
ድቡቓት ኣቕሚጣ ነበረት እሞ፡ ሲምሶን፡ ፍልስጥኤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። ሽዑ ነቲ
ምውራንቲ፡ ሓዊ ዘጨነዎ ፈትሊ ኽም ዚምናህ፡ ምንህንህ ኣበሎ። እቲ ሓይሉ ብምንታይ ምዃኑ ድማ
ኣይተፈልጠን፡ [10] ደሊላ ኸኣ ንሲምሶን፡ እንሆ፡ ኣላጊጽካለይ፡ ሓሶት ድማ ተዛሪብካኒ ኢኻ፡ ሕጂ
ብምንታይ ከም እትእሰር፡ በጃኻ ንገረኒ፡ በለቶ። [11] ንሱ ድማ፡ ገለ ዕዮ ብዘይ ተዐየሉ ሓድሽ ገመድ
ኣጽኒያም እንተ ኣሰሩኒ፡ እደክም፡ ከም ማንም ሰብ ከኣ እኸውን፡ በላ። [12] ደሊላ ድማ ሓድሽ ገመድ
ወሲዳ ንሲምሶን ብእኡ ኣሰረቶ። ሲምሶን፡ ፍልስጥኤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። እቶም
ድቡቓት ከኣ ኣብቲ ሕልፍኚ ነበሩ። ካብ ቀላጽሙ ድማ ከም ፈትሊ በተኾ። [13] ደሊላ ኸኣ ንሲምሶን፡
ክሳዕ ሕጂ ኣላጊጽካለይ፡ ሓሶት ተዛረብካኒ ኢኻ፡ ብምንታይ ከም እትእሰር ደኣ ንገረኒ፡ በለቶ። ነቲ
ሾብዓተ ሽርበ ርእሰይ ምስ ቅጥኒ እንተ ኣለምከዮ፡ በላ። [14] ኣብ ሸኻል ኣሲራቶ ድማ፡ ሲምሶን፡
ፍልስጥኤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። ንሱ ድማ ካብ ድቃሱ ተበራቢሩ፡ ነቲ ሸኻል ማእለማን
ነቲ ቕጥንን መንቈሶ። [15] ንሳ ኸኣ፡ ልብኻ ዘይምሳይ ክነሱ ደኣ ከመይ ጌርካ ኢኻ፡ እፈትወኪ እየ፡
እትብለኒ ዘሎኻ፤ ሰለስተ ሳዕ ኣላጊጽካለይ፡ እዚ ዓብዪ ሓይልኻ ብምንታይ ምዃኑውን ኣይነገርካንን፡
በለቶ። [16] ኰነ ኸኣ፡ ኵሉ መዓልቲ ብዘረባኣ ላሕ ምስ ኣበለቶን ምስ ኣሰቀየቶን፡ ነፍሱ ኽሳዕ ሞት
ተጨነቐት። [17] ኵሉ ልቡ ኸኣ ገለጸላ፡ ኣነ ኻብ ከርሲ ኣደይ ጀሚረ ናዝራዊ ኣምላኽ እየ እሞ፡ ናብ ልዕሊ
ርእሰይ መላጸ ኣይሐለፈን፡ ስለዚ እንተ ተላጼኹ፡ ሓይለይ ካባይ ይኸይድ፡ እደክም ድማ፡ ከም ኵሉ
ሰብ ከኣ እኸውን፡ በላ። [18] ደሊላ ድማ ኵሉ ልቡ ኸም ዝገለጸላ፡ ምስ ረአረየት፡ ነቶም ሹማምቲ
ፍልስጥኤማውያን ልኢኻ ጸውዓቶም፡ ኵሉ ልቡ ገሊጹለይ እዩ እሞ፡ ሕጂ ደይቡ፡ በለቶም። ሽዑ እቶም
ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን እቲ ገንዘብ ኣብ ኢዶም ሒዞም ናብኣ ደየቡ። [19] ንሳ ኸኣ ኣብ ኣብራኻ
ኣደቀሰቶ፡ ሓደ ሰብኣይ ጸዊዓ ድማ ነቲ ሾብዓተ ሽርበ ርእሱ ኣላጸየት፡ ክትመልኮ ኸኣ ጀመረት፡
ሓይሉውን ካብኡ ኸደ። [20] ሲምሶን፡ ፍልስጥኤማውያን እነዉ ኣብ ልዕሌኻ፡ በለቶ። ንሱ ድማ ካብ
ድቃሱ ተበራቢረ፡ እግዚኣብሄር ከም ዝሐደጎ ኣይፈለጠን እሞ፡ ከም ቀዳማይ ግዝያት፡ ፍንሕንሕ ኢለ
ኽወጽእ እየ፡ ኢሉ ሐሰበ። [21] እቶም ፍልስጥኤማውያን ግና ሒዞም ኣዒንቱ ጐጥጐጥዎ። ናብ ጋዛ
ኣውሪዶም ድማ ብመቐውሕ ኣስራዚ ኣሰርዎ፡ ኣብቲ ቤት እሱራት ከኣ ይጥሕን ነበረ። [22] እቲ ጸጕሪ
ርእሱ ግና ድሕሪ ምልጻዩ ኺበቍል ጀመረ። [23] እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ከኣ፡ ኣምላኽና
ንሲምሶን ጸላኢና ኣብ ኢድና ሂቡና፡ ኢሎም ንዳጎን ኣምላኾም ብዙሕ መስዋእቲ ኺስውኡን ኪሕጐሱን
ተኣከቡ፡ [24] እቶም ህዝቢ ምስ ረአይዎ ድማ፡ ነቲ ንሃገርና ዘጥፍኤን ንብዙሓት ካባና ዝቐተለን ጸላኢና
ኣምላኽና ኣብ ኢድና ሂቡና፡ ኢሎም ንኣምላኾም ወደስዎ። [25] ኰነ ኸኣ፡ ልቦም ምስ ተሐጐሰ፡ ንሲምሶን
ኬስሕቕና ጸውዕዎ፡ በሉ። ንሲምሶን ከኣ ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣምጽእዎ፡ ኣብ ቅድሚኦም ኰይኑውን
የስሕቖም ነበረ፡ ኣብ መንጎ ኣዕኑድ ከኣ ደው ኣበልዎ። [26] ሲምሶን ድማ ነቲ ብኢዱ ዝሐዞ ቈልዓ፡ ነቲ
ንቤት ጾይሩ ዘሎ ኣዕኑድ ሒዘ ኽጽግዖሉ ናብኡ ምርሓኒ በሎ። [27] እታ ቤት ድማ ሰብኣይን ሰበይትን
መሊኣ ነበረት። እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ከኣ ኵሎም ኣብኣ ነበሩ። ሲምሶን ኪስሐቕ ከሎ
ድማ ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ኰይኖም ዚርእዩ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይን ሰበይትን ነበሩ። [28] ሲምሶን
ከኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ዎ ጐይታ፡ በጃኻ ዘክረኒ። ኣታ ኣምላኸይ፡ ንፍልስጥኤማውያን ሓንሳእ ሕነ እዘን
ክልቲኤን ዓይነይ ክፈድዮምሲ፡ በጃኻ ነዛ ጊዜ እዚኣ ጥራይ ሓይሊ ሀበኒ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር
ተማህለለ። [29] ሽዑ ሲምሶን ነቲ ቤት ዝጾረ ኽልተ ዓንዲ ማእከል፡ ነቲ ሓደ ብየማኑ ነቲ ሓደ ኸኣ

ብጸጋሙ ሓዘ። 30 ሲምሶን ድማ፡ ነፍሰይ ምስ ፍልስጥኤማውያን ትሙት፡ በለ። ብሓይሊ ኸኣ ተጐበጠ፡
እታ ቤት ድማ ናብ ልዕሊ እቶም ሹማምትን፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብኡ ዝነበረ ዅሉ ህዝብን ወደቐት።
ካብቶም ብህይወቱ ኸሎ ዝቐተሎም ከኣ ብሞቱ ዝቐተሎም ምዉታት በዝሑ። 31 ሽዑ ኣሕዋቱን ብዘለዉ
ቤት ኣቦኡን ወሪዶም ሒዞሞ ደየቡ፡ ኣብ መቓብር ኣቦኡ ማኖኣ ኣብ መንጎ ጾርዓን ኤሽታኦልን ቀበርዎ።
ንእስራኣኤል ድማ ዕስራ ዓመት ፈረደ።

## ምዕራፍ 17

1 ኣብ ከረን ኤፍሬም ሚካ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። 2 ነዲኡ ድማ፡ እቲ እተወስደኪ እሞ ዝረገምክሉ፡
እናሰማዕኩ እተዛረብክሉ ሽሕን ሚእትን ሲቃል ብሩር፡ ኣነ ወሲደዮ፡ እቲ ብሩር እንሆ ምሳይ ኣሎ፡
በላ። ኣዲኡ ኸኣ፡ ወደየ፡ እግዚኣብሄር ይባርኽካ፡ በለቶ። 3 ነቲ ሽሕን ሚእትን ሲቃል ብሩር ነዲኡ
መለሰላ። ኣዲኡ ድማ፡ እዚ ብሩርዚ ንወደይ፡ እትጸርበን ዝፈሰሰን ምስሊ ምእንቲ ኺግበሮስ፡ እዚ
ብሩርዚ ንእግዚኣብሄር ፈጺመ ቐዲሰዮ ኣሎኹ፡ ሕጂ ኸኣ ክመልሰልካ እየ፡ በለቶ። 4 ንሱ ኸኣ እቲ ብሩር
ነዲኡ መለሰላ፡ ኣዲኡ ድማ ክልተ ሚእቲ ሲቃል ወሲዳ ነንጠረኛ ሀበቶ። ንሱ ኸኣ ንእኡ እተጻርበ
ምስልን ዝፈሰሰ ምስልን ገበሮ፡ ኣብ ቤት ሚካ ኸኣ ነበረ። 5 እቲ ሰብኣይ፡ ሚካ፡ ቤት ኣምላኽ ነበሮ፡
ኤፎድን ተራፊምን ድማ ገበረ፡ ንሓደ ኻብ ደቁ ኸኣ ካህኑ ኪኸውን ቀደሶ። 6 በታ ጊዜ እቲኣ ኣብ
እስራኤል ንጉስ ኣይነበረን እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ቅኑዕ ኰይኑ እተራእዮ ገበረ። 7 ኣብ ቤትልሄም ይሁዳ ኻብ
ዓሌት ይሁዳ ሓደ መንእሰይ ነበረ። ንሱ ሌዋዊ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ኣብኡ ወሰንተኛ ኰይኑ ይቕመጥ ነበረ። 8
እቲ ሰብኣይ ኣብ ዝረኸበ ቦታ ኪቕመጥ፡ ካብታ ኸተማ፡ ካብ ቤትልሄምይሁዳ ኸደ። መገዱ ኪኸይድ
ከሎ ድማ፡ ኣብ ከረን ኤፍሬም ናብ ቤት ሚካ መጸ። 9 ሚካ ኸኣ፡ ካበይ መጺእካ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ
ድማ፡ ኣነ ኻብ ቤትልሄምይሁዳ ሌዋዊ እየ፡ ኣነ ኣብ ዝረኸብኩ ቦታ ክቕመጥ እኸይድ ኣሎኹ፡ በሎ። 10
ሚካ ኸኣ፡ ምሳይ ተቐመጥ እሞ ኣቦን ካህንን ኩነኒ፡ ኣነ ድማ ንዓመት ዓሰርተ ሲቃል ብሩርን ዚግባእ
ክዳውንትን ቀለብካን ክህበካ እየ፡ በሎ። ሽዑ እቲ ሌዋዊ ኣተወ። 11 እቲ ሌዋዊ ድማ ምስቲ ሰብኣይ እቲ
ኪቕመጥ ፈተወ። እቲ መንእሰይ ከኣ ከም ሓደ ኻብ ደቁ ኰኖ። 12 ሚካ ድማ ነቲ ሌዋዊ ቀደሶ፡ እቲ
መንእሰይ ከኣ ካህኑ ኰነ። ኣብ ቤት ሚካ ኸኣ ነበረ። 13 ሚካ ድማ፡ ሌዋዊ ኻህን ኣሎኒ እሞ፡
እግዚኣብሄር ጽቡቕ ከም ዝገበረለይ ሕጂ ፈለጥኩ፡ በለ።

## ምዕራፍ 18

1 በቲ ዘበን እቲ ኣብ እስራኤል ንጉስ ኣይነበረ፡ እቶም ነገድ ዳን ድማ ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ
መንጎ ነገዳት እስራኤል ርስቲ ኣይበጽሖምን ነበረ እሞ፡ በቲ ዘበን እቲ ዚነብሩሉ ርስቲ ይደልዩ ነበሩ። 2
ሽዑ እቶም ደቂ ዳን፡ ምድሪ ኺስልዩን ኪምርምሩን፡ ካብ ዓሌቶም፡ ካብ ብዘሎ ፍቕዶም፡ ሓሙሽተ
ሰብኣይ፡ ሓያላት ሰባት፡ ካብ ጾርዓን ካብ ኤሽታዖልን ሰዲዶም ድማ፡ ኬድኩም ነታ ምድሪ መርምርዋ፡
በልዎም። ንሳቶም ከኣ ናብ ከረን ኤፍሬም፡ ናብ ቤት ሚካ መጹ፡ ኣብኣውን ሐደሩ። 3 ንሳቶም ኣብ ቤት
ሚካ ኸለዉ፡ ድምጺ እቲ መንእሰይ ሌዋዊ ኣለለይዎ እሞ ናብኡ ኣግሊሶም፡ መን ናብዚ ኣምጽኣካ፧
ኣብዚኸ ንስኻ እንታይ ትገብር ኣሎኻ፧ ኣብዚስ እንታይ ኣሎኻ፧ በልዎ። 4 ንሱ ድማ፡ ሚካ ኸምዝን
ከምዝን ገበረለይ፡ ንሱ ኣሕዲሩኒ፡ ኣነ ኸኣ ካህን ኰንክዎ፡ በሎም። 5 ንሳቶም ድማ፡ እዛ ንሕና እንኸዳ

ዘሎና መገዲ እትቐንዓና እንተ ኾይና ኽንፈልጥሲ፡ በጃኻ ንኣምላኽ ጠይቐልና፡ በልዎ። 6 እቲ ኻህን
ድማ፡ እዛ እትኸድዋ ዘሎኹም መገዲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እያ እሞ፡ ብሰላም ኪዱ፡ በሎም። 7
እቶም ሓሙሽተ ሰብኣይ ከዱ ኣብ ላይሽ ድማ ኣተዉ፡ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ህዝቢ ተኣሚኑ ኸም ስርዓት
ሲዶናውያን ብህድኣትን ብእምነትን ከም ዚቕመጥ ረአየ። ኣብታ ሃገር ከኣ ገለ ኽፉእ ዚገብሮም በዓል
ስልጣን ኣይነበረን፡ ንሳቶም ካብ ሲዶናውያን ርሑቓት ነበሩ፡ ምስ ገለ ሰብ እኳ ነገር ኣይነበሮን። 8 ናብ
ጾርዓን ኤሽታኦልን ከኣ፡ ናብ ኣሕዋቶም መጹ፡ እቶም ኣሕዋቶም ድማ፡ እንታይ ተውርዩልና፧ በልዎም።
9-10 ንሳቶም ከኣ፡ ነታ ሃገር ርኢናያ ኢና እሞ፡ እንሆ ድማ፡ ብዙሕ ጽብቕቲ እያ፡ ንስኻትኩም ስቕዶ
ኢልኩም ኴድኩም፧ ነታ ሃገር ክትኣትውዋን ክትወርስዋን ኣይትደንጕዩ። ኣምላኽ ንእኣ ኣብ ኢድኩም
ሂቡኩም እዩ እሞ፡ ተንስኡ ንደይቦም። ናብኣ ምስ በጻሕኩም፡ ናብ ተኣሚኑ ዚነብር ህዝቢ ኽትኣትዉ
ኢኹም። እታ ሃገር ከኣ ኣዝያ ገፋሕ እያ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኹሉ ነገር ዘይጐድላ ቦታ እያ፡ በልዎም። 11
ሽዑ ኻብ ዓሌት ደቂ ዳን ሹድሽተ ሚእቲ ሰብኣይ ኣጽዋር ውግእ ተዐጢቖም ካብ ጾርዓን ካብ
ኤሽታኦልን ነቐሉ። 12 ደዪቦም ከኣ ኣብ ቅርያትየዓሪም ናይ ይሁዳ ሰፈሩ። ስለዚ እታ ቦታ እቲኣ ኽሳዕ
ሎሚ ሰፈር ዳን ትበሃል ኣላ። እንሃ፡ ኣብ ድሕሪ ቅርያትየዓሪም ኣላ። 13 ካብኣ ንኸረን ኤፍሬም
ሐሊፎም፡ ናብ ቤት ሚካ መጹ። 14 ሽዑ እቶም ንሃገር ላይሽ ኪስልዩ ኸይዶም ዝነበሩ ሓሙሽተ ሰብኣይ
ነቶም ኣሕዋቶም፡ ኤፎድን ተራፊምን እተጻርበ ምስልን ዝፈሰሰ ምስልን ኣብዘን ኣባይቲ እዚኤን ከም
ዘሎስ፡ ትፈልጡዶ ኣሎኹም፧ ሕጂ ድማ እትገብርዎ ፍለጡ፡ ኢሎም መለሱሎም። 15 ናብ ቤት እቲ ኣብ
ቤት ሚካ ዚነብር መንእሰይ ሌዋዊ ኣግሊሶም ብዛዕባ ጥዕናኡ ጠየቕዎ። 16 እቶም ካብ ደቂ ዳን ኣጽዋር
ውግእ እተዐጥቁ ሹድሽተ ሚእቲ ሰብኣይ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሎም ነበሩ። 17 እቶም ነታ ሃገር ኪስልዩ
ኸይዶም ዝነበሩ ሓሙሽተ ሰብኣይ ድማ፡ እቲ ኻህን ምስቶም ኣጽዋር ውግእ እተዐጥቁ ሹድሽተ ሚእቲ
ሰብኣይ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሉ ኸሎ፡ ደዪቦም ናብኡ ኣትዮም፡ ነቲ እተጻርበ ምስልን ነቲ ኤፎድን
ንተራፊምን ነቲ ዝፈሰሰ ምስልን ወሰዱ። 18 እዚኣቶም ናብ ቤት ሚካ ኣትዮም ነቲ እተጻርበ ምስልን ነቲ
ኤፎድን ንተራፊምን ነቲ ዝፈሰሰ ምስልን ምስ ወሰዱ፡ እቲ ኻህን፡ እንታይ ትገብሩ ኣሎኹም በሎም። 19
ንሳቶም ከኣ፡ ስቕ በል፡ ኣፍካ ብኢድካ ሐዝካ ምሳና ኺድ እሞ፡ ኣቦን ካህንን ኩነና። ኣብ ቤት ሓደ
ሰብኣይ ካህን ምዃንዶ፡ ወይ ኣብ ሓደ ነገድን ኣብ ሓደ ዓሌትን፡ ኣብ እስራኤል ካህን ምዃን ይሔሸካ፧
በልዎ። 20 ሽዑ ልቢ እቲ ኻህን ተሐጐሰ እሞ፡ ነቲ ኤፎድን ንተራፊምን ነቲ እተጻርበ ምስልን ወሲዱ፡
ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ኣተወ። 21 ተመሊሶም ድማ ቈልዑን ማልን እቲ ኽቡር ነገርን ቀቅድሚኦም
ገይሮም ከዱ። 22 ንሳቶም ካብ ቤት ሚካ ምስ ረሐቑ ከኣ፡ እቶም ጐረባብቲ ቤት ሚካ ዝነበሩ ሰባት
ብኣውያት ተኣኪቦም ንደቂ ዳን ኣርከብዎም። 23 ንደቂ ዳን ድማ ጸውዕዎም። ንሳቶም ከኣ ገጾም መሊሶም
ንሚካ፡ ብኣውያት እትእከብ እንታይ ኴንካ ኢኻ፧ በልዎ። 24 ንሱ ድማ፡ ንስኻትኩም፡ ነቶም ዝገበርክዎም
ኣማልኽተይን ነቲ ኻህንን ሒዝኩም ትኸዱ ኣሎኹም፡ ከመይ ኢልኩም፡ እንታይ ኴንካ ኢኻ እትብሉኒ፧
ደጊምከ እንታይ ተሪፉኒ እዩ፧ በሎም። 25 እቶም ደቂ ዳን ከኣ፡ ነፍሶም እተመረረት ሰባት
ከይገጥሙልኩም እሞ፡ ንነፍስኻን ንነፍሲ ቤተ ሰብካን ከይተጥፍእሲ፡ ቃልካ ኣባና ኣይሰማዕ፡ በልዎ። 26
እቶም ደቂ ዳን ድማ መገዶም ከዱ። ሚካ ኸኣ ካብኡ ከም ዚሕይሉ ምስ ረአየ፡ ተመሊሱ ናብ ቤቱ
መጸ። 27 ንሳቶም ድማ ነቲ ሚካ ዝገበሮን ነቲ ዝነበሮ ኻህንን ሒዞም፡ ናብቲ ህዱኡን ተኣሚኑን ዝነበረ
ህዝቢ፡ ናብ ላይሽ መጹ። ብስሕለት ሴፍ ቀተልዎም፡ ነታ ኸተማ ኸኣ ብሓዊ ኣንደድዋ። 28 ንሳ ኻብ
ሲዶን ርሕቕቲ ነበረት፡ ምስ ካልእ ሰብ ድማ ዝገበርዎ ነገር ኣይነበሮምን እሞ፡ ዜድሕኖም ኣይነበረን።
ንሳ ኸኣ ኣብቲ ኣብ ቤትሬሖብ ዘሎ ለሰ እያ ዘላ። ነታ ኸተማ ድማ ሰሪሖም ተቐመጥዋ። 29 ስም እታ

ኸተማ ድማ ብስም እቲ ንእስራኤል እተወልደሉ ዳን ኣቦኦም፡ ዳን ኢሎም ሰመይዋ። ቅድም ግና ስም
እታ ኸተማ ላይሽ ይበሀል ነበረ። [30] እቶም ደቂ ዳን ድማ ነቲ ጽሩብ ምስሊ ንርእሶም ኣቘምዎ። ክሳዕ
እታ ሃገር እትማረኸላ መዓልቲ፡ ዮናታን፡ ወዲ ጌርሾም ወዲ ሙሴ፡ ንሱን ደቁን ንነገድ ደቂ ዳን
ካህናቶም ኰኑ። [31] እታ ቤት ኣምላኽ ኣብ ሲሎ ኽሳዕ ዘላ ዅሉ ዘበን፡ ነቲ ሚካ ዝገበሮ ጽሩብ ምስሊ
ንኣታቶም ኣቝሞምዎ ነበሩ።

# ምዕራፍ 19

[1] ኰነ ኸኣ፡ በቲ ኣብ እስራኤል ንጉስ ዘይነበሮ ዘበን፡ ሓደ ሌዋዊ ሰብኣይ ንኸረን ኤፍሬም ኣብ ወገን
ንየው ወሰንተኛ ኹይኑ ይቕመጥ ነበረ። ንሱ ኻብ ቤትልሄምይሁዳ ሰበይቲ ወሰን ወሰደ። [2] እታ ሰበይቲ
ወሰኑ ኸኣ መንዘረት፡ ካብኡ ናብ ቤት ኣቦኣ ናብ ቤትልሄምይሁዳ ኸይዳ ኸኣ፡ ኣብኣ ኣርባዕተ ወርሒ
ዚኸውን ጊዜ ተቐመጠት። [3] እቲ ሰብኣያ ድማ፡ ልባ ኣፍትዩ ኺመልሳ፡ ተንሲኡ ደድሕሪኣ ኸደ።
ጊልያኡን ክልተ ኣድግን ከኣ ምስኡ ነበሩ። ንሳ ድማ ናብ ቤት ኣቦኣ ኣእተወቶ፡ ኣቦ እታ መርዓት ምስ
ረአዮ ኸኣ ተሐጒሱ ተቐበሎ። [4] እቲ ሓሙኡ፡ ኣቦ እታ መርዓት፡ ድማ ግዲ በሎ እሞ ሰለስተ መዓልቲ
ምስኡ ተቐመጠ። በልዑን ሰተዩን ኣብኡ ኸኣ ሐደሩ። [5] ኰነ ኸኣ፡ በታ ራብዐይቲ መዓልቲ ኣንጊሆም
ተንስኡ፡ ኪኸይድ ድማ ተላዕለ። ኣቦ እታ መርዓት፡ ንሰብኣይ ጓሉ፡ ቍራስ እንጌራ በሊዕካ ልብኻ
ኣጽንዕ እሞ ድሕርቲ ኽትከዱ፡ በሎ። [6] ኮፍ ኢሎም ድማ ክልቲኦም ብሓንሳእ በልዑን ሰተዩን። ኣቦ እታ
መርዓት ከኣ ነቲ ሰብኣይ፡ በጃኻ ፈቲኻ ሕደር፡ ልብኻውን ይተሐጎስ፡ በሎ። [7] እቲ ሰብኣይ ግና
ኪኸይድ ተንስኤ፡ እቲ ሓሙኡ ደኣ ግዲ በሎ እሞ፡ መሊሱ ኣብኡ ሓደረ። [8] ብሓምሰይቲ መዓልቲ ድማ
ኪኸይድ ኣንጊሁ ተንስኤ። ኣቦ እታ መርዓት ከኣ፡ በጃኻ ልብኻ ኣጽንዕ፡ ምድሪ ኽሳዕ ዚውልውል
ጽናሕ፡ በሎ፡ ክልቲኦም ድማ በልዑ። [9] እቲ ሰብኣይ ምስታ ሰበይቲ ወሰኑን እቲ ጊልያኡን ኪኸይድ ምስ
ነቐለ፡ ሓሙኡ፡ ኣቦ እታ መርዓት፡ እንሆ፡ መዓልቲ ኺዓርብ ኢሉ፡ በጃኻ ሕደሩ፡ እንሆ መዓልቲ መስዩ
እዩ እሞ ሕደር፡ ልብኻ ይተሐጎስ፡ ጽባሕ ድማ ናብ ቤትካ ኽትከይድሲ ኣንጊህኩም መገድኹም ኪዱ፡
በሎ። [10] እቲ ሰብኣይ ግና ኪሐድር ኣይፈተወን እሞ ተንሲኡ ኸደ፡ ክሳዕ መንጽር ይቡስ መጸ፡ ንሳ ኸኣ
የሩሳሌም እያ ። እተን ጽዑናት ኣእዱግን እታ ሰበይቲ ወሰኑን ድማ ምስኡ ነበራ። [11] ኣብ ይቡስ ምስ
በጽሑ፡ ምድሪ ኣዝያ መስያ ነበረት እሞ፡ እቲ ጊልያ ንጐይታኡ፡ በጃኻ ንዓ፡ ናብዛ ኸተማ ይቡሳውያን
ኣግሊስና ኣብኣ ንሕደር፡ በሎ። [12] ጐይታኡ ኸኣ፡ ካብ ደቂ እስራኤል ናብ ዜብላ ኸተማ ጓኖት
ኣይንኣቱን። ናብ ጊብዓ ደኣ ንሕለፍ፡ በሎ። [13] ነቲ ጊልያኡ ድማ፡ ንዓናይ፡ ናብ ሓንቲ ኻብዘን ቦታታት
እዚኤን ንቐረብ እሞ ኣብ ጊብዓ ወይ ኣብ ራማ ንሕደር፡ በሎ። [14] ሐሊፎም ድማ ከዱ፡ ኣብ ጥቓ ጊብዓ፡
እታ ናይ ብንያም፡ ጸሓይ ዐረበቶም። [15] ኣብ ጊብዓ ኣትዮም ኪሐድሩ ናብኣ ኣግለሱ። ምስ ኣተዉ ኸኣ፡
ኣብ ኣደባባይ እታ ኸተማ ተቐመጡ፡ ኣብ ቤቱ ኺሕድሮም እተቐበሎም ሰብ ግና ኣይነበረን። [16] እንሆ
ድማ፡ ሓደ ኣረጊት ሰብኣይ ምሸት ካብ ዕዮኡ ኻብ መሮር መጸ። እዚ ሰብኣይ እዚ ከኣ ካብ ከረን
ኤፍሬም መጺኡ ወሰንተኛ ኹይኑ ኣብ ጊብዓ ይቕመጥ ነበረ፡ ሰብ እታ ቦታ ግና ብንያማውያን ነበሩ። [17]
ዓይኑ ቛሕ እንተ ኣበለ፡ ነቲ ሓላፍ መገዲ ሰብኣይ ኣብ ኣደባባይ እታ ኸተማ ተቐሚጡ ረአዮ። እቲ
ኣረጊት ሰብኣይ ከኣ፡ ናበይ እትኸይድ ኢኻ፧ ካበይከ መጺእካ፧ በሎ። [18] ንሱ ድማ፡ ንሕና ኻብ
ቤትልሄም ይሁዳ፡ ንኸረን ኤፍሬም ናብ ወገን ንየው እንሐልፍ ኢና፡ ኣነ ኻብኡ እየ፡ ናብ ቤትልሄም
ይሁዳ ደኣ ኸይደ ነይረ፡ ሕጂ ኸኣ ናብ ቤት እግዚኣብሄር እኸይድ ኣሎኹ፡ ኣብ ቤቱ ዜሕድረኒ ሰብ

ድማ ስኢነ። 19 ነእዱግና ዚኸውን ሓሰርን ጥረን፡ ንኣይን ነዛ ገረድካን ነዚ ምስ ገላዉኻ ዘሎ ጊልያን
እንጌራን ወይንን ኣሎና፡ ዚጐድለና ነገር የልቦን፡ በሎ። 20 እቲ ኣረጊት ሰብኣይ ድማ፡ ሰላም ይሀሉኻ፡
ሓንትስ ኣብዚ ኣደባባይ ደኣ ኣይትሕደር እምበር፡ ዝጐደለካ ዘበለ ኻባይ ድለዮ፡ በሎ። 21 ናብ ቤቱ
ኣእትዩ ኸኣ፡ ነተን ኣእዱግ ዚብላዕ ሀበን፡ ኣእጋሮም ተሐጺቦም ከኣ በልዑን ሰተዩን። 22 ንሳቶም ልቦም
ምስ ተሐጐሰ፡ እንሆ፡ ሰባት እታ ኸተማ፡ ደቂ ብልያል፡ ነታ ቤት ኣኸቢቦም፡ ነቲ ማዕጾ ገርማዕማዕ
ኣበልዎ፡ ነቲ ኣረጊት ሰብኣይ በዓል ቤት ድማ፡ ነዚ ኣብ ቤትካ ኣትዩ ዘሎ ሰብኣይ ክንፈልጦስ፡
ኣውጽኣዮ፡ ኢሎም ተዛረብዎ። 23 እቲ ሰብኣይ በዓል ቤት ናባታቶም ወጺኡ ኣሕዋተይ ኣይፋልኩም፡
በጃኹም ክፉእ ኣይትግበሩ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ቤተይ ካብ ኣተወስ፡ እዚ ነውሪ እዚ ኣይትግበሩ። 24
እንሆ፡ ድንግል ጓለይን ሰበይቲ ወሰኑን፡ ንኣታተን ከውጽኣልኩም፡ ከም እተራእየኩም ጌርኩም
ኣሕስርወን፡ ኣብዚ ሰብኣይ እዚ ግና ከምዚ ዝበለ ነውሪ ነገር ኣይትግበሩ፡ በሎም። 25 እቶም ሰባት ግና
ኪሰምዕዎ ኣይፈተዉን። ሽዑ እቲ ሰብኣይ ነታ ሰበይቲ ወሰኑ ሒዙ ናብኦም ኣብ ግዳም ኣውጽኣ።
ንሳቶም ከኣ ፈለጥዋ፡ ምልእቲ ለይቲ ኽሳዕ ዚወግሕ ድማ ዐመጽዋ። ቀይሖጸሊም ኪቐድድ ከሎ፡
ትኺድ ሐደግዋ። 26 ኪወግሕ ምስ ጀመረ፡ እታ ሰበይቲ ናብ ደገ እታ ጐይታኣ ዘለዋ ቤት መጺኣ፡ ክሳዕ
ዚበርህ ኣብኡ ወዲቓ ነበረት። 27 እቲ ጐይታኣ ብጊሓት ተንሲኡ ማዕጾ እታ ቤት ከፈተ፡ መገዱ ኪኸይድ
ድማ ወጸ። እንሃ፡ እታ ሰበይቲ፡ ሰበይቲ ወሰኑ፡ ኣብ ደገ እታ ቤት ወዲቓ፡ ኣእዳዋ ኸኣ ኣብ ልዳት
ዘርጊሓ ነበረት። 28 ንሱ ድማ፡ ተንስኢ ንኺድ፡ በላ። ግናኸ ኣይመለሰትሉን። ሽዑ እቲ ሰብኣይ ኣብ
ኣድጉ ጽዒንዋ ተላዒሉ ናብ ቦታኡ ኸደ። 29 ኣብ ቤቱ ምስ ኣተወ፡ ካራ ወሲዱ ነታ ሰበይቲ ወሰኑ ሒዙ
በብብልዕቲ ኣብ ዓሰርተው ክልተ ቍራጽ ቈራረጻ እሞ ናብ ብዘላ ምድሪ እስራኤል ሰደዳ። 30 ኲነ ድማ፡
እዚ ዝረአየ ኹሉ፡ ደቂ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ኻብ ዝወጹ መዓልቲ ኽሳዕ ሎሚ ኸምዚ ዝመሰለ
ኰይኑን ተራእዩን ኣይፈልጥን። ሕሰብዎን ተማኻኸሩሉን ተዛራረቡሉን፡ በለ።

# ምዕራፍ 20

1 ሽዑ ኹሎም ደቂ እስራኤል ወጹ፡ እቲ ኣኼባ ድማ ካብ ዳን ክሳዕ ብኤርሽባዕን ምድሪ ጊልዓድን ከም
ሓደ ሰብኣይ ኰይኑ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ሚጽጳ ተኣከበ። 2 ሓላቑ ኹሉ ህዝብን ኵሎም ነገዳት
እስራኤልን ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ሴፍ ዚመልሕ ኣጋር ኣብቲ ማሕበር ህዝቢ ኣምላኽ ቀረቡ። 3 እቶም
ደቂ ብንያም ድማ ደቂ እስራኤል ንሚጽጳ ኸም ዝደየቡ ሰምዑ። ደቂ እስራኤል ድማ፡ እዚ ኽፉእ ነገር
እዚ ኸመይ ከም ዝኾነ ንገሩና፡ በሉ። 4 ሽዑ እቲ ሌዋዊ ሰብኣይ፡ ሰብኣይ እታ እተቐትለት ሰበይቲ፡ ኣነ
ምስታ ሰበይቲ ወሰነይ ኣብ ጊብዓ ናይ ብንያም ክሐድር ኣቶኹ። 5 እቶም ሰብ ጊቦዓ ድማ ተላዕሉኒ፡
ኣብታ ዘሎኽዋ ቤት ብለይቲ ኸበቡኒ፡ ኪቐትሉኒ ኸኣ ሐሰቡ፡ ነታ ሰበይቲ ወሰነይውን ዐመጽዋ እሞ
ሞተት። 6 ኣነ ኸኣ፡ ኣብ እስራኤል ርኽሰትን ዕብዳንን ስለ ዝገበሩ፡ ነታ ሰበይቲ ወሰነይ ወሲደ
ቈራረጽክዋ እሞ ናብ ብዘላ ምድሪ ርስቲ እስራኤል ሰደድክዋ። 7 ኣቱም ደቂ እስራኤል፡ ኵላትኩም
እኔኹም፡ ኣብዚ ተዛራረቡን ምኽሩን፡ ኢሉ መለሰሎም። 8 ኵሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ከም ሓደ ሰብኣይ ኰይኑ
ተንሲኡ ኸምዚ በለ፡ ካባና ሓደ እኳ ናብ ድንኳኑ ኣይኺድ፡ ሓደ እኳ ናብ ቤቱ ኣይመለስ። 9 ሕጂ ግና
ንጊብዓ እንገብራ ነገር እዚ እዩ፡ ዕጭ ኣውዲቕና ንደይባ። 10 ናብ ጊብዓ ብንያም ከይዶም ከኣ፡ ከምቲ
ኣብ እስራኤል ዝገበረቶ ዕብዳን ኪገብርዋስ፡ ነቲ ህዝቢ ስንቂ ዚወስዱ ካብ ኵሎም ነገድ እስራኤል፡ ካብ
ሚእትስ ዓሰርተ፡ ካብ ሽሕ ከኣ ሚእቲ፡ ካብ ዓሰርተ ሽሕውን ሽሕ ሰብኣይ ንውሰድ። 11 ኵሎም ሰብ

እስራኤል ድማ ከም ሓደ ሰብ ከይኖም ኣብታ ኸተማ ተአከቡ። 12 እቶም ነገዳት እስራኤል ድማ ናብ ብዘሎ ነገድ ብንያም፡ እዚ ኣባኻትኩም ዝኾነ ኽፉእ ነገር እንታይ እዩ፧ 13 ሕጂ ኸኣ ነቲ ኽፉእ ካብ እስራኤል ከነርሕቕስ፡ ነቶም ኣብ ጊብዓ ዘለዉ ደቂ ብልያል ክንቀትሎም ሀቡና፡ ኢሎም ሰባት ለኣኹ። እቶም ደቂ ብንያም ግና ቃል ኣሕዋቶም ደቂ እስራኤል ኪሰምዑ ኣይፈተዉን። 14 እቶም ደቂ ብንያም ድማ ካብ ከተማታት ናብ ጊብዓ ተአከቡ እሞ ምስ ደቂ እስራኤል ኪዋግኡ ወጹ። 15 በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ ከተማታት ዝወጹ ደቂ ብንያም፡ ብጃካ እቶም ኣብ ጊብዓ ዚነብሩ፡ ሾብዓተ ሚእቲ እተቘጽሩ ሕሩያት ሰብ፡ ዕስራን ሹድሽተን ሽሕ ሴፍ ዚመልሑ ሰብ ተቘጽሩ። 16 ካብ ኵሉ እዚ ህዝቢ እዚ፡ ብጸጋማይ ኢዶም ወንጪፎም ንሓንቲ ጸጕሪ ዘይስሕቱ፡ ሾብዓተ ሚእቲ ሕሩያት ሰብ ነበሩ። 17 ሰብኡት እስራኤል ድማ፡ ብጀካ ብንያም፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ሴፍ ዚመልሑ ሰብ ተቘጽሩ። እዚኣቶም ኵሎም ተዋጋእቲ ሰባት ነበሩ። 18 ደቂ እስራኤል ድማ ተንሲኦም ናብ ቤትኤል ደዪቦም፡ ምስ ደቂ ብንያም ንምውጋእ ካባናስ መን ቅድም ይድይበልና ኢሎም ንኣምላኽ፧ ሐተትዎ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ይሁዳ ይቕድም፡ በለ። 19 እቶም ደቂ እስራኤል ድማ ንጽብሒቱ ንግሆ ተንሲኦም ደየቡ እሞ ኣብ መንጽር ጊብዓ ሰፈሩ። 20 ሰብ እስራኤል ከኣ ምስ ብንያም ኪዋግኡ ወጹ፡ እቶም ሰብ እስራኤል ድማ ኪዋግእዎም ኣብ ጥቓ ጊብዓ ተሰለፉ። 21 ደቂ ብንያም ከኣ ካብ ጊብዓ ወጺኦም፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ እስራኣኤል ዕስራን ክልተን ሽሕ ሰብኣይ ቀቲሎም ኣብ ምድሪ ኣውደቕዎም። 22 እቶም ህዝቢ፡ ሰብ እስራኤል፡ ድማ በርቲዖም ኣብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ተሰሊፎምላ ዝነበሩ ቦታ መሊሶም ተሰለፉ። 23 ደቂ እስራኤል ከኣ ደዪቦም፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክሳዕ ምሸት ብኽይ ወዐሉ። ንእግዚኣብሄር ድማ፡ መሊሰዶ ምስ ደቂ ሓወይ ብንያም ውግእ ክገጥም ኢሉ ሐተተ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ደይብዎ፡ በለ። 24 እቶም ደቂ እስራኤል በታ ኻልኣይቲ መዓልቲ ድማ ናብ ደቂ ብንያም ቀረቡ። 25 ብንያም ከኣ ካልኣይቲ መዓልቲ ኺቃባበሎም ካብ ጊብዓ ወጸ እሞ መሊሶም ካብ ደቂ እስራኤል ዓሰርተው ሾሞንተ ሽሕ ሰብኣይ ቀቲሎም ኣብ ምድሪ ኣውደቕዎም። እዚኣቶም ኵሎም ሴፍ ዚመልሑ ነበሩ። 26 ሽዑ ኹሎም ደቂ እስራኤልን ኵሉ ህዝብን ናብ ቤትኤል ደዪቦም በኸዩ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተቐሚጦም ክሳዕ ምሸት ጾሙ። ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣቕረቡ። 27 በታ ጊዜ እቲኣ ታቦት ኪዳን ኣምላኽ ኣብኡ ነበረ እሞ፡ ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ሐተትዎ። 28 ፊንሃስ፡ ወዲ ኣልኣዛር ወዲ ኣሮን፡ ከኣ በታ ጊዜ እቲኣ ኣብ ቅድሚኡ ይቐውም ነበረ እሞ፡ መሊሰዶ ኸም ብሓድሽ ምስ ደቂ ሓወይ ብንያም ክዋጋእ ክወጽእ ወይስ ክሐድጎ፧ በለ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ጽባሕሲ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ እሞ፡ ደይቡ ደኣ፡ በለ። 29 እስራኤል ከኣ ንጊብዓ ብዙርያኣ ድብቕ ኣንበረላ። 30 በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ደቂ እስራኤል ናብ ደቂ ብንያም ደየቡ፡ ከምተን ቀዳሞት ግዝያት ኣብ ቅድሚ ጊብዓ ተሰለፉ። 31 እቶም ደቂ ብንያም ድማ ወጺኦም ነቲ ህዝቢ ኺቃባበልዎ ኻብታ ኸተማ ተሳሕቡ፡ ኣብተን ክልተ መገዲ፡ ሓንቲ ንቤትኤል ኣቢላ እትድይብ፡ ሓንቲ ድማ ንመሮር ጊብዓ እተብል፡ ከምተን ቀዳሞት ግዝያት ካብቲ ህብዚ፡ ካብ ደቂ እስራኤል፡ ሰላሳ ዚኾኑ ሰባት ኪወቕዑን ኪቐትሉን ጀመሩ። 32 እቶም ደቂ ብንያም ድማ፡ ከምቲ መጀመርታ ኣብ ቅድሜና ተሳዕሩ፡ በሉ። ደቂ እስራኤል ግና፡ ካብ ከተማ ናብ መገድታት ክንስሕቦምሲ ንህደም ደኣ፡ በሉ። 33 ኵሎም ሰብ እስራኣኤል ከኣ ካብ ቦታኦም ተንሲኦም፡ ኣብ በዓልታማር ተሰለፉ። እቲ ድብቕ እስራኤል ድማ ካብታ ቦታኡ፡ ካብ መዓረህጊብዓ ወጸ። 34 ካብ ብዘሎ እስራኤል እተሐርዩ ዓሰርተ ሽሕ ሰብ ናብ መንጽር ጊብዓ መጹ፡ እቲ ውግእ ከኣ በርትዔ፡ ደቂ ብንያም ግና ክፉእ ከም ዝበጽሖም ኣይፈለጡን። 35 እግዚኣብሄር ድማ ንብንያም ኣብ ቅድሚ እስራኤል ከም ዚሰዐር ገበሮ። ደቂ እስራኤል ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ ብንያም ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕን

ሚእትን ሰብኣይ ቐተሉ። እዚኣቶም ኵሎም ሴፍ ዚመልሑ ነበሩ፡ 36 ደቂ እስራኤል ከኣ በቲ ኣብ ጊብዓ
ዘንበርዎ ድብቕ ስለ እተኣመኑ ንደቂ ብንያም ቦታ ሀብዎም እሞ፡ እቶም ደቂ ብንያም ከም እተሳዕሩ
ረአዩ። 37 እቶም ድቡቓት ድማ ቀልጢፎም ናብ ጊብዓ ጐየዩ እሞ እቶም ድቡቓት ጥሒሶም ንብዘላ እታ
ኸተማ ብስሕለት ሲፍ ወቕዕዋ። 38 ንሰብ እስራኤል ካብታ ኸተማ ብርቱዕ ትኪ ኽም ዚለዐል ኪገብሩ
ምስቶም እተደበቑ ምልክት ነበሮም። 39 እቶም ሰብ እስራኤል ድማ በቲ ውግእ ገጾም መለሱ፡ ብንያም
ከኣ፡ ብርግጽ ከምቲ ቐዳማይ ውግእ ኣብ ቅድሜና ተሳዒሮም፡ በሉ እሞ፡ ካብ ሰብ እስራኤል ሰላሳ
ዚኸውኑ ሰባት ኪወቕዑን ኪቐትሉን ጀመሩ። 40 እቲ ምልክት፡ እቲ ዓንዲ ትኪ፡ ካብታ ኸተማ ኺዐርግ
ምስ ጀመረ፡ ብንያም ንድሕሪኡ ግልጽ እንተ በለ፡ እንሆ፡ ብዘላ እታ ኸተማ ብሃልሃልታ ንሰማይ
ዐረገት። 41 ሽዑ እቶም ሰብ እስራኤል ተመልሱ፡ ሰብ ብንያም ከኣ ክፉእ ከም ዝበጽሖም ረአዩ እሞ
ተሸበሩ። 42 ስለዚ ኣብ ቅድሚ ሰብ እስርኤል ብመገዲ በረኻ ኣቢሎም ሀደሙ፡ እቲ ቕንናት ግና እግረ
እግሮም ሰዐቦም። እቶም ካብ ከተማታት ዝወጹ ድማ ኣማእኪሎም ቀተልዎም። 43 ንብንያም ከቢቦም፡
ብወገን ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ መንጽር ጊብዓ ሰጐጒዎ፡ ኣብ ዚዐርፈላ ዘበለ ረጋገጽዎ። 44 ካብ ብንያም
ድማ ዓሰርተው ሾሞንተ ሽሕ ሰብ ወደቑ። እዚኣቶም ኵሎም ከኣ ጀጋኑ ሰባት ነበሩ። 45 ተመሊሶም ድማ
ንበረኻ ኣቢሎም ናብ ከውሒ ሪሞን ሀደሙ። እስራኤላውያን ግና ኣብ መገድታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ
ቀረሙ። ክሳዕ ጊድዖም ስዒቦምውን ክልተ ሽሕ ሰብኣይ ቀተሉ። 46 እቶም በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ
ብንያም ዝወደቑ ኹሎም፡ ሴፍ ዚመልሑ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ኰኑ፡ እዚኣቶም ኵሎም ጀጋኑ ሰባት
ነበሩ። 47 ሹድሽተ ሚእቲ ሰብኣይ ግና ንበረኻ ኣቢሎም ናብ ከውሒ ሪሞን ሀደሙ፡ ኣብ ከውሒ ሪሞን
ከኣ ኣርባዕተ ወርሒ ተቐመጡ። 48 እቶም ሰብ እስራኤል ድማ ናብ ደቂ ብንያም ተመሊሶም፡ ንብዘላ
እታ ኸተማን ንማል ንዝረኸብዎ ኹሉን ብስሕለት ሴፍ ቀተሉ። ንዝረኸብወን ኵለን ከተማታት ከኣ
ብሓዊ ኣንደድወን።

# ምዕራፍ 21

1 እቶም ሰብ እስራኤል ከኣ ኣብ ሚጽጳ፡ ካባና ሓደ እኳ ጓሉ ንብንያማዊ ኣየመርዕዋ፡ ኢሎም ምሒሎም
ነበሩ። 2 እቶም ህዝቢ ድማ ናብ ቤትኤል መጹ፡ ኣብኡ ኸኣ ክሳዕ ምሸት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቐመጡ፡
ድምጾም ዓው ኣቢሎም ድማ ብርቱዕ ብኽያት በኸዩ፡ 3 ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ሎሚ ኻብ
እስራኤል ሓደ ነገድ ኪጐድልሲ፡ እዚ ስለምንታይ እዩ ኣብ እስራኤል ዝኸኑ፧ ድማ በሉ። 4 ኰነ ኸኣ፡
እቶም ህዝቢ ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ተንስኡ፡ ኣብኡ መሰውኢ ነዲቖም ድማ ዚሐርር መስዋእትን
መስዋእቲ ምስጋናን ኣዕረጉ። 5 ደቂ እስራኤል ድማ፡ ናብ እግዚኣብሄር ናብ ሚጽጳ ዘይድይብ ሞት
ይሙት፡ ኢሎም ጽኑዕ ማሕላ ምሒሎም ነበሩ እሞ፡ ካብ ኵሎም ነገድ እስራኤል ናብ ማሕበር፡ ናብ
እግዚኣብሄር ዘይደየበ መን እዩ፧ በሉ። 6 ደቂ እስራኤል ከኣ ብሓዎም ብንያም ተጣዒሶም፡ ሎሚ ኻብ
እስራኤል ሓደ ነገድ ተቈሪጹ። 7 ንሕና ኻብ ኣዋልድና ኣንስቲ ኸይንህቦም ብእግዚኣብሄር ምሒልና ኢና
እሞ፡ እዞም ተሪፎም ዘለዉ ኣንስቲ ኺረኽቡስ፡ እንታይ ንግበረሎም፧ በሉ። 8 ካብ ነገዳት እስራኤል ናብ
እግዚኣብሄር ናብ ሚጽጳ ዘይደየበ መን እዩ፧ በሉ። እንሆ ኸኣ፡ ካብ ያቤሽጊልዓድ ናብ ሰፈር፡ ናብታ
ማሕበር ሓደ እኳ ኣይመጸን። 9 እቲ ህዝቢ ተቈጽረ እሞ እንሆ፡ ካብቶም ኣብ ያቤሽጊልዓድ ዚነብሩስ፡
ሓደ እኳ ኣብኡ ኣይነበረን። 10 ሽዑ እቲ ኣኼባ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ካብ ጀጋኑ ሰባት ናብኣ ሰዲዶም፡
ኬድኩም ነቶም ኣብ ያቤሽጊልዓድ ዚነብሩ ምስናይ ኣንስትን ሕጻናትን ብስሕለት ሴፍ ቅተልዎም። 11

እትገብርዎ ነገር ከኣ እዚ እዩ፡ ንዅሉ ተባዕታይን ኵለን ምስ ተባዕታይ ደቂሰን ንዚፈልጣ ኣንስተን
ቅተሉ፡ ኢሎም ድማ ኣዘዝዎም። [12] ካብቶም ኣብ ያቤሽጊልዓድ ዚነብሩ፡ ኣርባዕተ ሚእቲ፡ ምስ ተባዕታይ
ብምድቃሰን ሰብኣይ ዘይፈልጣ ደናግል ኣዋልድ ረኸቡ። ንሳቶም ከኣ ንኣታተን ናብ ሰፈር፡ ናብታ ኣብ
ምድሪ ኸነኣን ዘላ ሺሎ ኣምጽእወን። [13] ኵሉ እቲ ኣኼባ ድማ ናብቶም ኣብ ከውሒ ሪሞን ዘለዉ ደቂ
ብንያም ልኢኾም ናይ ሰላም ኣዋጅ ነገርዎም። [14] በታ ጊዜ እቲኣ ብንያም ተመልሰ። እተን ካብ ኣንስቲ
ያቤሽጊልዓድ ብህይወት ዝሐደግወን ኣንስቲ ኸኣ ሀብዎም፡ ግናኸ ኣይኣኸላኦምን። [15] እቶም ህዝቢ ድማ፡
እግዚኣብሄር ኣብ ነገዳት እስራኤል ነቓዕ ስለ ዝገበረ፡ ብብንያም ተጣዕሱ። [16] እቶም ዓበይቲ እቲ ኣኼባ
ኸኣ፡ ኣንስቲ ኻብ ብንያም ጸኒተን እየ እሞ፡ እዞም ተሪፎም ዘለዉ ኣንስቲ ኺረኽቡስ፡ እንታይ ንግበር፧
በሉ። [17] ካብ እስራኤል ሓደ ነገድ ከይድምሰስሲ፡ እዞም ካብ ብንያም ድሒኖም ዘለዉ፡ እቲ ርስቶም
ይሐዙ። [18] ደቂ እስራኤል፡ እቲ ንብንያም ሰበይቲ ዚህብ ርጉም ይኹን፡ ኢሎም ምሒሎም እዮም እሞ፡
ንሕናስ ካብ ኣዋልድና ኣንስቲ ኽንህቦም ኣይንኽእልን፡ ድማ በሉ። [19] ኣብታ ንቤትኤል ብሰሜና፡ ነታ
ኻብ ቤትኤል ንሴኬም እተደይብ መገዲ ብምብራቕ፡ ንለቦናውን ብደቡባ ዘላ ሺሎ፡ እንሆ፡ በዓል
እግዚኣብሄር ኣብ ዕዓመት ይግበር ኣሎ፡ ድማ በሉ። [20] ንደቂ ብንያም ከኣ ኸምዚ ኢሎም ኣዘዝዎም፡
ኪድኩም ኣብ ኣታኽልቲ ወይንታት ተደበቑ። [21] እንሆ ኸኣ፡ እተን ኣዋልድ ሺሎ እናሳዕሳዓ ኺወጻ ምስ
ርኤኹም፡ ካብቲ ኣታኽልቲ ወይንታት ወጺእኩም፡ ካብተን ኣዋልድ ሺሎ ነፍሲ ወከፍኩም ሰበይቱ
ይዘርፍ፡ ናብ ምድሪ ብንያም ከኣ ኺዱ። [22] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ኣቦታተን ወይ ኣሕዋተን ኣባና ኪጠርዑ
እንተ መጹ፡ ኣብቲ ውግእ ንነፍሲ ወከፍ ሰበይቱ ኣይወሰድናሉን እሞ፡ ብለውሃት ንኣታተን ሃቡና፡ ሕጂ
ድማ በደልቲ ኽይትኾኑ ንኣታተን ንስኻትኩም ኣይሀብኩምዎምን፡ ንብሎም። [23] እቶም ደቂ ብንያም
ከምኡ ገበሩ፡ ካብተን ዚስዕስዓ ዝነበራ ዘሪፎም፡ ከምቲ ቝጽሮም ኣንስቲ ወሰዱ። ከዱ እሞ ናብ ርስቶም
ተመልሱ፡ ከተማታት ሰሪሖም ድማ ኣባታተን ተቐመጡ። [24] ደቂ እስራኤል ከኣ በታ ጊዜ እቲኣ ኻብኡ
ነፍሲ ወከፍ ናብ ነገዱን ናብ ዓሌቱን ከደ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብኡ ነናብ ርስቱ ወጸ። [25] በቲ ዘበን እቲ ኣብ
እስራኤል ንጉስ ኣይነበረን እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ እቲ ቕኑዕ ኰይኑ እተራእዮ ይገብር ነበረ።

# መጽሓፍ ሩት

## ምዕራፍ 1

1 ኰነ ድማ፡ በቲ መሳፍንቲ ዚገዝኡሉ ዝነበሩ ዘበን፡ ኣብታ ሃገር ጥሜት ኮነ። ሓደ ሰብኣይ ምስ
ሰበይቱን ክልተ ደቁን ካብ ቤትልሄም ይሁዳ ኣብ ምድሪ ሞኣብ ኪቕመጥ ከደ። 2 ስም እቲ ሰብኣይ እቲ
ኤሊሜሌክ፡ ስም ሰበይቱ ኸኣ ናእሚ፡ ስም ክልቲኦም ደቁውን ማሕሎንን ኪልዮንን ይበሀሉ፡
ኤፍራታውያን ካብ ቤትልሄም ይሁዳ ነበሩ። ናብ ምድሪ ሞኣብ መጺኦም ከኣ ኣብኣ ተቐመጡ። 3
ኤሌሜሌክ ሰብኣይ ናእሚ ድማ ሞተ እሞ፡ ንሳ ምስ ክልቲኦም ደቃ ተረፈት። 4 ንሳቶም ከኣ ሞኣባውያን
ኣንስቲ ኣእተዉ፡ ስም እታ ሓንቲ ኦርጳ፡ ስም እታ ኻልኣይቲ ድማ ሩት ነበረ። ዓሰርተ ዓመት ዚኣክል
ኣብኡ ተቐመጡ። 5 ማሕሎንን ኪልዮንን ከኣ ክልቲኦም ሞቱ። እታ ሰበይቲ ድማ ካብ ክልቲኦም ደቃን
ካብ ሰብኣያን ተረፈት። 6 ሽዑ ንሳ ኣብ ምድሪ ሞኣብ ከላ፡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኸም ዝበጽሖም፡
እንጌራውን ከም ዝሀቦም ስምዔት እሞ፡ ንሳ ምስ ክልቲኤን ኣንስቲ ደቃ ተንሲኣ ኻብ ምድሪ ሞኣብ
ተመልሰት። 7 ንሳ፡ ክልቲኤን ኣንስቲ ደቃ ኸኣ ምስኣ፡ ካብታ ዝነበረታ ቦታ ወጸት። ናብ ምድሪ ይሁዳ
ኺምለሳ ድማ መገደን ከዳ። 8 ናእሚ ኸኣ ንኽልቲኤን ኣንስቲ ደቃ፡ ኪዳ፡ ነፍሲ ወከፍክን ነናብ ቤት
ኣዴኽን ተመለሳ። ከምቲ ምስቶም ምውታትን ምሳይን ዝገብርክናኦ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻትክን ምሕረት
ይግበር። 9 ነፍሲ ወከፍክን ከኣ ኣብ በቤት ሰብኣይክን ዕረፍቲ ኽትረኽባ እግዚኣብሄር ይሀብክን፡
በለተን። ሽዑ ሰዐመተን፡ ንሳተን ከኣ ድምጸን ዓው ኣቢለን በኸያ፡ 10 ኣይፋልናን ምሳኺ ደኣ ናብ
ህዝብኺ ንምለስ በላኣ፡ 11 ናእሚ ግና፡ ደቀየ፡ ስለምንታይከ ምሳይ እትኸዳ፧ ተመለሳ ደኣ፡ ደጊምዶ
ሰብኡትክን ዝኾኑ ደቂ ኣብ ከርሰይ ኣልዮምኒ፧ 12 ደቀየ፡ ሰብኣይ ክይእቶ ኣሪገ እየ ኣሞ፡ ኪዳ ደኣ
ተመለሳ። ተስፋ ኣሎኒ እኳ እንተ ዝብልሲ፡ ኤረ ሎሚ ለይቲ ሰብኣይ እንተ ዝእቶ፡ ኣወዳት ከኣ እንተ
ዝወልድ፡ 13 ንሳቶም ክሳዕ ዚዐብዩዶ ኽትጸንሓ ኢኽን፧ ምእንቲ እዚኺ ሰብኣይ ከይተአቶኽንዶ ኽትነብራ
ኢኽን፧ ኣይፋልክን ደቀየ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ኣባይ ወጺኣ እያ እሞ፡ ካብ ንኣኻትክንሲ ኣዝዩ ንኣይ
ይመርር በለተን። 14 ሽዑ መሊሰን ድምጸን ዓው ኣቢለን በኸያ። ኦርጳ ንሓማታ ስዐመታ፡ ሩት ግና ምስኣ
ተጸግዔት። 15 ንሳ ድማ፡ ሰበይቲ ሓሙትኪ እንሃ፡ ናብ ህዝባን ናብ ኣምላኻን ተመሊሳ፡ ንስኺውን
ደድሕሪ ሰበይቲ ሓሙትኪ ተመለሲ፡ በለታ። 16 ሩት ግና፡ ሐዲገኪ ኻባኺ ንድሕሪት ክምለስሲ ግዲ
ኣይትበልኒ። ናብ እትኸድዮ እኸይድ ኣብ እትሓድርዮ ኸኣ እሐድር፡ ህዝብኺ ህዝበይ፡ ኣምላኽኪ ድማ
ኣምላኸይ እዩ። 17 ኣብታ እትሞትላ እመውት፡ ኣብኣ ድማ እቐበር፡ ንኣይን ንኣኽን ብጀካ ሞት ካልእ
እንተ ፈልዩናስ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይግበረኒ፡ ከምዚ ኸኣ ይወስኸኒ በለት። 18 ምስኣ ንምኻድ ከም
ዝቖረጸት ምስ ረአየት፡ ምዝራባ ሓደገት። 19 ናብ ቤትልሄም ክሳዕ ዚበጽሓ ኸኣ ክልቲኤን ከዳ። ኮነ
ድማ፡ ናብ ቤትልሄም ምስ ኣተዋ፡ ብዘላ እታ ኸተማ ብዛዕባኤን ተበዐደት። እተን ኣንስቲ ኸኣ፡ እዚኣስ
እምበርዶ ናእሚ እያ፧ በላ። 20 ንሳ ድማ፡ እቲ ኹሉ ዚኽእል ብዙሕ ኣመሪሩኒ እዩ እሞ፡ ማራ ደኣ በላኒ
እምበር፡ ናኦምስ ኣይትበላኒ። 21 ኣነ መሊኤ ኸድኩ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ጥራየይ መለሰኒ። እግዚኣብሄር
ካብ መስከረለይ፡ እቲ ኹሉ ዝኽእል ድማ ካብ ኣኽፍኣለይከ፡ ስለምንታይ ናእሚ ትብላኒ ኣሎኽን፧
በለተን። 22 ናእሚ ድማ ተመልሰት፡ ሩት እታ ኻብ ምድሪ ሞኣብ እተመልሰት ሞኣባዊት ሰበይቲ ወዳ
ኸኣ ምስኣ ነበረት። ንሳተን ብመጀመርታ ዓጺድ ስገም ናብ ቤትልሄም ኣተዋ።

# ምዕራፍ 2

1 ንናእሚ ድማ ቦአዝ ዚብሀል ሃብታም ስልጡን ሰብኣይ ካብ ዓሌት ኤሊሜሌክ ዘመድ ሰብኣያ ነበረ። 2
ሩት እታ ሞኣባዊት ድማ ንናእሚ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚኡ ምሕረት ዝረኸበሉ ስዒበ ኣብ ግራት ከይደ
ክቐርም ሕደገኒ በለታ። ንሳ ኸአ ኪዲ ጓለይ፡ በለታ። 3 ንሳ ድማ ከይዳ ናብ ግራት ኣትያ፡ ደድሕሪ እቶም
ዓጻዶ ትቐርም ነበረት። እቲ ግራት እቲ ኸአ ብገርሃ ናይቲ ኻብ ዓሌት ኤሊሜሌክ ዝነበረ ቦኣዝ ኮነላ። 4
እንሆ ድማ፡ ቦኣዝ ካብ ቤትልሄም መጺኡ ነቶም ዓጻዶ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ይኹን በሎም።
ንሳቶም ከኣ፡ እግዚኣብሄር ይባርኽካ በልዎ። 5 ቦኣዝ ድማ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ዓጻዶ ተመዚዙ ዝነበረ
ጊልያኡ፡ እዛ መርዓት እዚኣ ናይ መን እያ፧ በሎ። 6 እቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ዓጻዶ እተመዘዘ ጊልያኡ ኸአ፡
ንሳ ምስ ናእሚ ኻብ ምድሪ ሞኣብ እተመልሰት ሞኣባዊት መርዓት እያ። 7 ደድሕሪ እቶም ዓጻዶ ኣብ
መንጎ እንዳእቲ፡ ቀሪም ክአሪ ሕደገኒ በለት። ንግሆ ምስ መጸት ክአ ክሳዕ ሕጂ ደው ኢላ ኣላ እምበር፡
ኣብ ቤትሲ ቐሩብ ጊዜ እያ ዝጸንሔት፡ ኢሉ መለሰ። 8 ሽዑ ቦኣዝ ንሩት ጓለይ ኣይሰማዕክንዶ፧ ክትቅርሚ
ኢልኪ ናብ ካልእ ግራት ኣይትኺዲ፡ ምስ እዘን ግዙኣተይ ደአ ልገቢ እምበር፡ ካብዚ ኣይትሕለፊ። 9
ናብቲ ዚዐጽድዎ ግራት ርኣዪ እሞ፡ ደድሕሪኦም ስዐቢ። ነቶም ግዙኣትሲ ኽይትንከዮኺ ኣዚዘዶ
ኣይኮንኩን፧ ምስ ጸማእኪ ድማ፡ ናብቲ ዕትሮታት ኬድኪ ኻብቲ እቶም ግዙኣት ዝቐድሕዎ ስተዪ፡ በላ።
10 ሽዑ ንሳ ብገጻ ናብ ምድሪ ተደፊኣ ሰገደትሉ፡ ኣነ ወሰንተኛ ኽንሰይሲ፡ ንኣይ ኽትፈልጠኒ ብምንታይ
ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ረኺብኩ፧ በለቶ። 11 ቦኣዝ ድማ፡ እቲ ድሕሪ ሞት ሰብኣይኪ ንሓማትኪ ዝገበርክዮ፡
ኣቦኽን ኣዴኽን እተወለድክላ ምድርን ከም ዝሐደግኪ፡ ቅድሚ እዚ ናብ ዘይትፈልጥዮ ህዝቢ ድማ ከም
ዝመጻኣኪ ኣጸቢቐም ነጊሮምኒ ኣለዉ። 12 እግዚኣብሄር ከም ግብርኺ ይፍዴኺ፡ ዓስብኺ ኸአ ካብቲ
ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ኽትጽግዕዮ ኢልኪ መጺእኪ ዘሎኺ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ምሉእ ይኹን፡
ኢሉ መለሰላ። 13 ንሳ ኸአ፡ ጐይታየ፡ ከም ሓንቲ ኻብተን ግዙኣትካ እኳ ዘይኮንኩስ፡ ንልቢ ግዝእትኻ
ተዛሪብካ ኣጸናኒዕካኒ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ቅድሜኻስ ሞገስ እርከብ በለት። 14 ቦኣዝ ድማ በታ ጊዜ ምሳሕ፡
ናብዚ ቐረቢ እሞ ካብዚ እንጌራ ብልዒ፡ ቚራስኪ ኸአ ኣብዚ መጺጽ ጥለቒ በላ። ንሳ ድማ ኣብ ጥቓ
እቶም ዓጻዶ ተቐመጠት፡ ጥቡስ ሰዊት ከአ ሀባ፡፡ ንሳ ድማ በልዔት፡ ጸጊባውን ኣትረፈት። 15 ክትቅርም
ምስ ተንስኤት ድማ፡ ቦአዝ ነቶም ግዙኣቱ፡ ኣብ ማእከል እንዳእቲ ትቐርም ኣይተሕፍርዋ። 16 ካብ
ዕትርቲ መዝሒቕኩም ከአ ክትኣርዮ ሕደጉላ፡ ኣይትኾርዩላውን፡ ኢሉ ኣዘዞም። 17 ካብቲ ግራት ከአ ክሳዕ
ምሸት ቀረመት። ነቲ ዝቐረመቶ ድማ ዘበጠቶ፡ ሓደ ኤፋ ዚአክል ስገም ድማ ኾነ። 18 ጾይራቶ ኸአ ናብ
ከተማ ኣተወት፡ ሓማታ ድማ እቲ ዝቐረመቶ ረአየቶ፡ እቲ ተረፍ ጽጋባውን ኣውጺኣ ሀበታ። 19 እታ
ሓማታ ኸአ፡ ሎሚ ኣበይ ቀሪምኪ ኣበይከ ዓዪኺ፡ እቲ እተላለየኪ ብሩኽ ይኹን፡ በለታ። ንሳ ኸአ ምስ
መን ከም ዝዐየየት፡ ስም እቲ ሎሚ ምስኡ ዝዐየኹ ሰብኣይ ቦአዝ እዩ፡ ኢላ ንሓማታ ነገረታ። 20 ናእሚ
ንሰበይቲ ወዳ፡ ንሱ ንህያዋንን ንምውታንን ምሕረቱ ዘይገደፈ፡ እግዚኣብሄር ይባርኮ፡ በለት። ናእሚ
መሊሳ ድማ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ መቕረባና እዩ፡ ንሱ ኻብቶም ዚወርሱና እዩ፡ በለታ። 21 ሩት እታ
ሞኣባዊት ከአ፡ ንሱስ ብዘሎ ዓጺደይ ክሳዕ ዚውድኡ ምስቶም ግዙኣተይ ልገቢ ኢሉኒ፡ በለታ። 22 ናእሚ
ድማ ንሩት ሰበይቲ ወዳ፡ ጓለይ፡ ኣብ ካልእ ግራት ማንም ከይትንከየክስ፡ ምስተን ግዙአቱ ኽትወጺ
ጽቡቕ እዩ፡ በለታ። 23 ዓጺድ ስገምን ዓጺድ ስርናይን ክሳዕ ዚውዳእ ከአ፡ ነተን ግዙኣት ቦኣዝ ስዒባ
ትቐርም ነበረት። ምስ ሓማታ ድማ ትቕመጥ ነበረት።

# ምዕራፍ 3

1 ናእሚ ሓማታ ድማ በለታ፡ ጓለይ፡ ምእንቲ ብድሓን ክትነብርስ፡ ዕረፍቲ ደይኮንኩን ዝደልየልኪ
ዘሎኹ፧ 2 ሕጂ ኸአ እቲ ምስተን ግዙኣቱ ዝነበርኪ ቦኣዝ፡ ዘመድናዶ ኣይኮነን፧ እንሆ ንሱ ሎሚ ለይቲ
ስገም ኣብ ዓውዲ የዝሩ ኣሎ። 3 እምበኣርሲ ተሓጺብክን ተለኺኽን ክዳንኪ ተኸደኒ እሞ ናብቲ ዓውዲ
ውረዲ። በሊዑን ሰትዩን ክሳዕ ዚውድእ ግና፡ ነቲ ሰብኣይ ኣይተረአዮ። 4 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ምስ
ዚድቅስ እታ ዚድቅሰላ ቦታ ፍለጢ፡ መጺእኪ ድማ ብሸንኸ እግሩ ቀሊዕኪ ደቅሲ። ንሱ ኸአ እተገብርዮ
ኺነግረኪ እዩ። 5 ንሳ ድማ፡ ዝበልክኒ ኹሉ ኽገብር እየ፡ በለታ። 6 ናብ ዓውዲ ወሪዳ ድማ፡ ከምቲ
ሓማታ ዝኣዘዘታ ኹሉ ገበረት። 7 ቦአዝ ከአ በሊዑን ሰትዩን ልቡ ምስተሓጎሰ፡ ኣብ ጸግዒ ቐሚጦ
ኺድቅስ ከደ። ሽዑ ንሳ ቀስ ኢላ መጸት፡ ብሸነኽ እግሩ ቐሊዓ ድማ ደቀሰት። 8 ኮነ ኸአ፡ ፍርቂ ለይቲ
እቲ ሰብኣይ ሰምቢዱ ተገምጠለ፡ እንሃ ድማ ሰበይቲ ኣብ እግሩ ደቂሳ ነበረት። 9 ንሱ ኸአ፡ መን ኢኺ፧
በላ። ንሳ ድማ፡ ኣነ ሩት ግዝእትኻ እየ። ንስኻ ወራሲ ኢኻ እሞ፡ ጫፍ ክዳንካ ኣብ ልዕሊ ግዝእትኻ
ዘርግሕ፡ በለት። 10 ንሱ ኸአ በላ፡ ኣቲ ጓለይ፡ ንድኻታት ኮነ፡ ንሃብታማት ደድሕሪ መንእሰይ ስለ
ዘይሰዐብኪ፡ ካብቲ ቐዳማይ እቲ ዳሕራይ ዚበልጽ ለውሃት ጌርኪ ኢኺ እሞ፡ እግዚኣብሄር ይባርኽኪ።
11 ሕጂ ድማ ጓለይ ኣይትፍርሂ፡ ደጊ ሰበይቲ ምዃንኪ ኹላ ደገ ህዝበይ ትፈልጥ እያ እሞ፡ ዝበልክዮ
ኹሉ ኽገብረልኪ እየ። 12 ሕጂ ኸኣ ኣነ ወራሲ ምኻነይሲ ሓቂ እዩ፡ ግናኸ ካባይ ዝቐርብ ወራሲ ኣሎ። 13
ንሎሚ ለይቲ ሕደሪ፡ ኪኸውን ድማ እዩ፡ ጽባሕ ንሱ እንተ ወረሰኪ ጽቡቕ፡ ይውረስ። ኪወርሰኪ እንተ
ዘይደለየ ግና፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ ኣነ ኽወርሰኪ እየ። ክሳዕ ዚወግሕ ደቅሲ። 14 ክሳዕ ዚወግሕ
ድማ ኣብ እግሩ ደቀሰት። ንሱ ሰበይቲ ናብ ዓውዲ ኸም ዝመጸት ኣይፈለጥ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ገና ሰብ
ምስ ብጻዩ ኽይተላለየ ኣንጊሃ ተንስኤት። 15 ቦአዝ ግና፡ እቲ ተኸዲንክዮ ዘሎኺ ነጸላ ኣቕሪብኪ ዘርግሕዮ
በላ። ዘርግሓቶ ድማ። ንሱ ኸአ ሽዱሽተ መስፈር ስገም ሰፈረላ፡ ኣሰከማ ድማ። ናብ ከተማ ኸአ
ኣተወት። 16 ናብ ሓማታ ምስ ኣተወት ድማ፡ ንሳ ከመይ ኢኺ ጓለይ፧ በለታ። ንሳ ኸአ እቲ ሰብኣይ
ዝገበረላ ኹሉ ነገረታ። 17 ኣብ ሓማትኪ ጥራይ ኢድኪ ኽይትኣትዊ ኢሉ፡ እዚ ሽድሽተ መስፈር ስገም
እዚ ሂቡኒ፡ ድማ በለት። 18 ንሳ ኸአ፡ እቲ ሰብኣይ ነዚ ነገርዚ ሎሚ ኽይውድኦ ኣይዐርፍን እዩ እሞ፡ እቲ
ነገር ከመይ ከም ዚውዳእ ክሳዕ እትፈልጢ ስቕ በሊ ጓለይ በለታ።

# ምዕራፍ 4

1 ቦአዝ ድማ ናብ ደገ እታ ኸተማ ደይቡ ኣብኣ ኾፍ በለ። እንሆ ኸአ፡ እቲ ቦአዝ ብዛዕባኡ እተዛረበሉ
ወራሲ ይሐልፍ ነበረ። ንእኡ ድማ፡ ኣታ መን ኢኻ፧ ኣልግስ እሞ ኣብዚ ተቐመጥ፡ በሎ። ንሱ ኸአ
ኣግሊሱ ተቐመጠ። 2 ቦአዝ ድማ ካብ ዓበይቲ እታ ኸተማ ዓሰርተ ሰብኣይ ወሲዱ፡ ኣብዚ ተቐመጡ፡
በሎም። ንሳቶም ከአ ተቐመጡ። 3 ሽዑ ነቲ ወራሲ፡ እዛ ኻብ ምድሪ ሞኣብ እተመልሰት ናእሚ፡ ነቲ
ኽፍሊ ምድሪ ኤሊሜሌክ ሓውና፡ ክትሸጦ ደልያ። 4 ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እዞም ተቐሚጦም ዘለዉን
ኣብ ቅድሚ ዓበይቲ ህዝበይን ዕድጎ ኢለ ከስምዓካ ሐሰብኩ። ብጀካኻ ወራሲ የልቦን፡ ብድሕሬኻ ኸአ
ኣነ እየ እሞ፡ ትወርስ እንተ ኾንካ ውረስ፡ ዘይትወርስ እንተ ኾንካ ግና፡ ክፈልጥ ንኣይ ንገረኒ በሎ። ንሱ
ኸአ፡ ክወርስ እየ በለ። 5 ቦኣዝ ድማ፡ በታ ነታ ግራት ካብ ኢድ ናእሚ እትዕድገላ መዓልቲ፡ ስም እቲ
ምዉት ኣብ ርስቱ ምእንቲ ኸተቕውም፡ ካብ ሩት እታ ሞኣባዊት፡ ሰበይቲ እቲ ምዉት ከአ ክትዕድጋ
ኢኻ በለ። 6 እቲ ወራሲ ድማ፡ ርስተይ ከየባላሹ ክወርሳ ኣይክእልን እየ እሞ፡ ነታ ኣነ ዝወርሳስ፡ ንስኻ

ውረሳ በለ። 7 ቀደም ኣብ እስራኤል፡ ኣብ ምውራስን ኣብ ለውጥን፡ ኩሉ ነገር ምእንቲ ኸጸንዕ፡ ሰብ ሳእኑ
ኣውጺኡ ነቲ ብጻዩ ኺህቦ ልማድ ነበረ። እዚ ድማ ኣብ እስራኤል ምስክር ነበረ። 8 እቲ ወራሲ ኸአ
ንቦኣዝ፡ ንስኻ ዕድጎ በሎ። ሳእኑ ድማ ኣውጽኤ። 9 ቦኣዝ ከኣ ነቶም ዓበይትን ንዅሉ ህዝብን፡ ናይ
ኤሌሜሌክ ዝነበረ ዅሉ ናይ ኪልዮንን ናይ ማሕሎንን ዝነበረ ድማ ዅሉ ካብ ኢድ ናእሚ ኸም
ዝዐድግክዎ፡ ሎሚ ንስኻትኩም ምስክር ኢኹም። 10 ድማ ስም እቲ ምዉት ካብ ማእከል ኣሕዋቱን ካብ
ደገ ቦታኡን ከይጠፍእ፡ ስም እቲ ምዉት ኣብ ርስቱ ከቕውም ኢለ፡ ንሩት፡ እታ ሞኣባዊት ሰበይቲ
ማሕሎን፡ ሰበይተይ ክትኮንኒ ኸም ዝዐደግክዋ፡ ሎሚ ምስክር ኢኹም በሎም። 11 እቶም ኣብ ደገ ዝነበሩ
ዅሎም ህዝብን እቶም ዓበይትን ከኣ፡ ምስክር ኢና፡ ነዛ ናብ ቤትካ እትኣቱ ሰበይቲ፡ እግዚኣብሄር፡
ከምተን ክልተ ንቤት እስራኤል ዝሀነጻ፡ ከም ራሄልን ልያን ይግበራ። ኣብ ኤፍራታ ኸኣ ሰልጥን፡ ኣብ
ቤትልሄምውን ስሙይ ኩን። 12 እታ ቤትካ ድማ በቲ እግዚኣብሄርስ ካብዛ መርዓት እዚኣ ዚህበካ ዘርኢ፡
ከም ቤት ፋሬስ፡ እቲ ታማር ንይሁዳ ዝወለድትሉ ትኹን በሉ። 13 ሽዑ ቦኣዝ ንሩት ወሰዳ፡ ንሳውን
ሰበይቱ ዀነት። ናብኣ ኸአ ኣተወ፡ እግዚኣብሄር ድማ ጥንሲ ሀባ። ወዲውን ወለደት። 14 እተን ኣንስቲ
ኸአ ንናእሚ፡ ሎሚ ወራሲ ዘይከልአኪ እግዚኣብሄር ይባረኽ። ስሙ ኣብ እስራኤል ይሰመ። 15 እታ ኻብ
ሾብዓተ ወዲ እትበልጽ እተፍቅረኪ ሰበይቲ ወድኺ ወሊዳቶ እያ እሞ፡ ንሱ ነፍስኺ ዚሕድስን ሓጋዝ
እርግናኽን ኪኾነኪ እዩ በላኣ። 16 ናእሚ ድማ ነቲ ሕጻን ወሲዳ ኣብ ትሕቲኣ ሓቖፈቶ፡ መጕዚቱውን
ኮነት። 17 እተን ጎረባብታ ኸአ፡ ንናእሚ ወዲ ተወሊዱላ፡ ኢለን ስም ኣውጽኣሉ ስሙ ኸአ እዮቤድ
ሰመያኦ። ንሱ ኣቦ እሴይ ኣቦ ዳዊት እዩ። 18 ትውልዲ ፋሬስ ከአ እዚ እዩ፡ ፋሬስ ንኤስሮም ወለደ። 19
ኤስሮም ድማ ንራም ወለደ፡ ራም ከአ ንኣሚናዳብ ወለደ። 20 ኣሚናዳብ ድማ ንነኣሶን ወለደ፡ ነኣሶን ከአ
ንሰልሞን ወለደ። 21 ሰልሞን ድማ ንቦኣዝ ውለደ፡ ቦኣዝ ከአ ንእዮቤድ ወለደ። 22 እዮቤድ ድማ ንእሴይ
ወለደ፡ እሴይ ከአ ንዳዊት ወለደ።

# 1ይ መጽሓፍ ሳሙኤል

## ምዕራፍ 1

1 ኣብ ራማታይምጾፊም፡ ካብ ከረን ኤፍሬም፡ ኤልቃና ዝስሙ ኤፍራታዊ ሰብኣይ፡ ወዲ የሩሓም፡ ወዲ
ኤሊሁ፡ ወዲ ቶሑ፡ ወዲ ጹፍ፡ ነበረ። 2 ንሱ ኽልተ ኣንስቲ ነበራኦ፡ ስም እታ ሓንቲ ሃና፡ ስም እታ
ኻልኣይቲ ኸኣ ጵኒና ነበረ። ጵኒና ድማ ውሉድ ነበርዋ፡ ሃና ግና ውሉድ ኣይነበርዋን። 3 እቲ ሰብኣይ እቲ
ኸኣ ኣብ ሺሎ ኺሰግድን ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኪስውእን ኢሉ በብዓመት ካብ ከተማኡ
ይድይብ ነበረ። ኣብኣ ኸኣ ክልቲኦም ደቂ ኤሊ፡ ሆፍንን ፊንሃስን፡ ካህናት እግዚኣብሄር ነበሩ። 4 እታ
ኤልቃና ዚስውኣላ መዓልቲ ምስ መጸት፡ ንሱ ንጵኒና ሰበይቱን ንዅሎም ኣወዳታን ኣዋልዳን ገግዲኦም
ሀቦም። 5 ንሃና ግና፡ እግዚኣብሄር ማሕጸና ዐጽዩ ኽነሱስ፡ ይፈትዋ ነበረ እሞ፡ ዕጽፊ ግደ ገይሩ ሀባ። 6
እግዚኣብሄር ማሕጸና ስለ ዝዐጸወ ግና፡ እታ መጻርርታ ምእንቲ ኽተዅርያ ኢላ መመሊሳ ተባጭወላ
ነበረት። 7 ንሱ ዓመት ንዓመት ከምኡ ምስ ዚገብር፡ በታ ናብ ቤት እግዚኣብሄር እትድይበላ ጊዜ፡ ጵኒና
ኸምኡ ተባጭወላ ነበረት። ንሳ ኸኣ በኸየት፡ ኣይበልዔትን ድማ። 8 ሽዑ ኤልቃና ሰብኣያ፡ ሃና፡ እንታይ
ኴንኪ ኢኺ እትበኽዩ፡ እንታይከ ኼንኪ ዘይትበልዒ፡ እንታይ ኴንክስ ልብኺ ጒህዩ ኣሎ፧ ካብ ዓሰርተ
ውሉድ ኣነዶ ኣይሕሸክን፧ በላ። 9 ኣብ ሺሎ ምስ በልዑን ምስ ሰተዩን ድማ፡ ሃና ተንስኤት። ካህን ኤሊ
ኸኣ ኣብ ኣፍ ደገ መቕደስ እግዚኣብሄር ኣብ መንበር ኮፍ ኢሉ ነበረ፡ 10 ንሳ ድማ ብነፍሳ ተመሪራ
እናበኸየት ንእግዚኣብሄር ትልምን ነበረት፡ 11 ዎ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ውርደት ባርያኻ
ኣጸቢቕካ ርኢኻ እንተ ዘከርካኒ፡ ንባርያኻውን እንተ ዘይረሳዕካኒ፡ ንባርያኻ ተባዕታይ ውሉድ እንተ ደኣ
ሀብካኒ፡ ኣነ ድማ ዅሉ ዘበን ህይወቱ ንእግዚብሄር እውፍዮ፡ ናብ ርእሱ ኸኣ መላጸ ኣየሕልፎን፡ ኢላ
መብጽዓ ተማባጽዔት። 12 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጸሎታ ምስ ኣንውሐት፡ ኤሊ ኣፋ
ይጥምት ነበረ። 13 ሃናስ፡ ንሳ ብልባ እናተዛረበት፡ ከናፍራ ጥራይ ይወሳወስ ነበረ፡ ድምጻ ግና
ኣይተሰምዔን፡ ስለዚ ኤሊ ስኽርቲ ግዲ እያ ኢሉ ሐሰበ። 14 ኤሊ ኸኣ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኺ እትሰኽሪ፡
ወይንኺ ኻባኺ ኣውጽእዮ፡ በላ። 15 ንሳ ግና፡ ጐይታይ፡ ኣይፉለይን፡ ኣነስ መንፈሰይ ጓሂ ዝመልኤ
ሰበይቲ ደኣ እየ፡ ወይንን ዜስክር መስተንሲ ኣይሰቴኹን፡ ነፍሰይ ደኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ኣፍሰስኩ። 16 እቲ ኽሳዕ ሕጂ ዘዛረበንስ፡ ብዝሒ ጓህን ሓዘንን እዩ እሞ፡ ንኣይ ንባርያኻ ኸም ጓል
ብልያል ኣይትርአየኒ፡ ኢላ መለሰትሉ። 17 ሽዑ ኤሊ፡ ብሰላም ኪዲ፡ ኣምላኽ እስራኤል ዝለመንክዮ
ልማኖኺ ይሀብኪ፡ ኢሉ መለሰ። 18 ንሳ ኸኣ፡ ባርያኻስ ኣብ ቅድሜኻኽ ሞገስ እርከብ፡ በለት። እታ
ሰበይቲ ድማ መገዳ ኸደት፡ በልዔትውን፡ ድሕርዚ ኸኣ ገጻ ጒህይቲ መሲላ ኣይተራእየትን። 19
ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ተንሲኦም ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰገዱ፡ ተመሊሶም ከኣ ናብ ቤቶም ኣብ
ራማ ኣተዉ። ኤልቃና ድማ ንሰበይቱ ሃና ፈለጣ፡ እግዚኣብሄርውን ዘከራ። 20 ኰነ ኸኣ፡ መዓልትታት
ምስ ሐለፋ፡ ሃና ጠነሰት ወዲ ድማ ወለደት። ንሳ ኸኣ፡ ካብ እግዚኣብሄር ለሚነዮ እየ እሞ፡ ኢላ ስሙ
ሳሙኤል ኣውጽኣትሉ። 21 እቲ ሰብኣይ ኤልቃና ድማ ምስ ብዘላ ቤቱ ናይ ዓመት መስዋእቲ ሕሩድን
መብጽዓኡን ንእግዚኣብሄር ኪስውእ ደየበ። 22 ሃና ግና ንሰብኣያ፡ ኣነስ፡ እዚ ሕጻን ጡብ ክሳዕ ዚሐድግ፡
ኣይድይብን እየ፡ ሽዑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪርኤ፡ ከብጽሖ እየ፡ ንሓዋሩ ኸኣ ኣብኡ ኺነብር እዩ፡
በለቶ። 23 ኤልቃና ሰብኣያ ድማ፡ ጽቡቕ መሲሉ እተራእየኪ ግበሪ፡ ጡብ ክሳዕ እተሕድግዮ ጽንሒ፡

ሓንትስ፡ እግዚኣብሄር ደአ ዘረባኡ ይፈጽሞ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ኸኣ ተረፈት፡ ነቲ ወዳ ጡብ ክሳዕ
እተሕድጎ ድማ ተጥብዎ ነበረት። 24 ምስ ኣሕደገቶ ኸኣ፡ ሰለስተ ዝራብዕን ሓደ ኤፋ ሓርጭን ሓደ ሓርቢ
ወይንን ተማሊኣ፡ ወዳ ሒዛ ደየበት፡ ኣብ ሺሎ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ድማ ኣእተወቶ። እቲ ቖልዓ ኸኣ
ገና ንእሽቶ ነበረ። 25 ነቲ ዝራብዕ ሐሪዶም ድማ ነቲ ቘልዓ ናብ ኤሊ ኣምጽእዎ። 26 ንሳ ኸኣ፡ ጐይታይ፡
ስምዓኒ፡ ነፍስኻ ህያው ትኹን ጐይታይ፡ እታ ኣብ ጥቓኻ ደው ኢላ ንእግዚኣብሄር እትልምን ዝነበረት
ሰበይቲ ኣነ እየ። 27 ብዛዕባዚ ቘልዓዚ እየ ዝለመንኩ፡ እግዚኣብሄር ከኣ እቲ ዝለመንክዎ ልማኖይ ሂቡኒ።
28 ስለዚ ኣነ ድማ ንእግዚኣብሄር እህቦ ኣሎኹ፡ ምሉእ ዕድሜኡ ንእግዚኣብሄር ተዋሂቡ እዩ፡ በለት።
ካብኡ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ሰገዱ።

## ምዕራፍ 2

1 ሃና ድማ ከምዚ ኢላ ጸለየት፡ ልበይ ብእግዚኣብሄር ይሕጐስ ኣሎ፡ ቀርነይ ብእግዚኣብሄር ክብ ይብል፡
ብምድሓንካ ተሐጒሰ እየ እሞ፡ ኣፈይ ናብ ጸላእተይ ሃህ ኢሉ ኣሎ። 2 ብጀካኻ ኻልእ የልቦን እሞ፡ ከም
እግዚኣብሄር ዝበለ ቅዱስ የልቦን፡ ከም ኣምላኽና ዝበለ ኸውሒ ኸኣ የልቦን፡ 3 እግዚኣብሄር ኵሉ
ዚፈልጥ ኣምላኽ እዩ፡ ግብርታት ከኣ ኣብኡ ምዙን እዩ እሞ፡ እምብዛ ዘረባ ትዕቢት ኣይተብዝሑ፡ ቃል
ድፍረትውን ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ፡ 4 ቀስቲ እቶም ሓያላት ተሰብረ፡ እቶም ሰንከልከል ዚብሉ ዝነበሩ
ኸኣ ሓይሊ ተዐጥቁ፡ 5 እቶም ጽጉባት ዝነበሩ ምእንቲ እንጌራ ተገዝኡ፡ እቶም ጥሙያት ድማ ደጊም
ኣይጠምዩን። እወ፡ እታ መኻን ሾብዓተ ወለደት፡ እታ ወላድ ግና ደኸመት። 6 እግዚኣብሄር ይቕትል፡
የሕዊ ኸኣ፡ ናብ ሲኦል የውርድ፡ የውጽእ ድማ። 7 እግዚኣብሄር የድኪ፡ የሀብትም ከኣ፡ ትሕት የብል፡
ክብ ድማ የብል። 8 ኣዕኑድ ምድሪ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ንዓለም ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ኣንቢርዋ እዩ እሞ፡
ነቲ ነዳይ ካብ ሓመድ ኣተንሲኡ፡ ነቲ ድኻውን ካብ ጐዱፍ ኣልዒሉ፡ ምስ መኳንንቲ የቐምጦም፡ ዝፋን
ክብሪውን የውርሶም። 9 ንሱ ነእጋር ቅዱሳኑ ይሕልወን፡ ሰብ ብሓይሉ ኣይስዕርን እዩ እሞ፡ እቶም
ረሲኣንሲ ኣብ ጸልማት ኪጠፍኡ እዮም። 10 እቶም ንእግዚኣብሄር ዚጻረሩ ስብርብር ይብሉ፡ ኣብ ሰማይ
ኰይኑ ኣብ ልዕሊኦም የንጐድጒድ፡ እግዚኣብሄር ንወሰናት ምድሪ ይፈርድ፡ ንንጉሱ ድማ ሓይሊ ይህቦ፡
ንቐርኒ መሲሑ ኸኣ ልዕል የብሎ። 11 ኤልቃና ድማ ናብ ቤቱ ንራማ ኸደ። እቲ ቘልዓ ኸኣ ኣብ ቅድሚ
ኻህን ኤሊ ኹይኑ ንእግዚኣብሄር የገልግል ነበረ። 12 ደቂ ኤሊ ግና ደቂ ብልያል ነበሩ፡ ንእግዚኣብሄር
ኣይፈለጥዎን። 13 እቶም ካህናት ኣብቲ ህዝቢ እዚ ልማድ እዚ ነበሮም፡ ዝኾነ ሰብ መስዋእቲ ሕሩድ
ምስ ዚስውእ፡ ገና እቲ ስጋ ኺበስል ከሎ፡ ጊልያ እቲ ኻህን ሰለስተ ዘጻብው ሻኳ ኣብ ኢዱ ሒዙ
ይመጽእ እሞ፡ 14 ናብ ቍራዕ ወይ ናብ መቐሎ ወይ ናብ ድስቲ ወይ ናብ ጻሕሊ ይወግእ፡ እቲ ሻኳ
ዘልዐሎ ዘበለ፡ እቲ ኻህን ንርእሱ ይወስዶ ነበረ። ነቶም ናብ ሺሎ ዚመጹ ዅሎም እስራኤላውያን ከምኡ
ይገብርዎም ነበሩ። 15 ነቲ ስብሒ ገና ኸየሕረርዎ ኸለዉውን፡ ጊልያ እቲ ኻህን ናብቲ ሰዋኢ ሰብ
መጺኡ፡ እቲ ኻህን ብርንዶ ደኣ እምበር፡ ዝበሰለ ስጋ ኻባኻ ኣይወስድን እዩ እሞ፡ ዚጥበስ ስጋ ሀበኒ፡
ይብሎ ነበረ። 16 ሽዑ እቲ ሰብኣይ፡ ቅድም እቲ ስብሒ ፍጹም ይሕረር፡ ደሓር ነፍስኻ ዝደለየቶ ውሰድ፡
እንተ በሎ፡ ንሱ ኸኣ፡ ኣይፋል ሕጂ ደኣ ሀበኒ፡ እንተ ዘይኰነስ፡ ብሓይሊ ኽወስድ እየ፡ ይብሎ ነበረ። 17
እቶም ሰባት በዚ ነቲ መስዋእቲ እግዚኣብሄር ይንዕቅዎ ነበሩ እሞ፡ ሓጢኣት እቶም መንእሰይ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ዓብዩ ነበረ። 18 ግናኸ ሳሙኤል ገና ቘልዓ ኸነሱ፡ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ
ኤፎድ ተዐጢቑ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር የገልግል ነበረ። 19 ኣዲኡ ድማ ንእሽቶ ቐምሽ ላዕሊ ገበረትሉ፡

እቲ ናይ ዐዓመት መስዋእቲ ሕሩድ ክትስውእ ምስ ሰብኣያ ኽትድይብ ከላ፡ በብዓመት ተምጽኣሉ
ነበረት። 20 ኤሊ ድማ ንኤልቃናን ንሰበይቱን፡ ኣብ ክንዲ እቲ ንእግዚኣብሄር እተወፈየ ውፉይ፡
እግዚኣብሄር ካብዛ ሰበይቲ እዚኣ ዘርኢ ይሀብካ፡ ኢሉ መረቖም። ናብ ቦታኦም ከኣ ኸዱ። 21
እግዚኣብሄር ድማ ንሃና በጽሓ፡ ጠነሰት ድማ፡ ሰለስተ ወድን ክልተ ጓልን ከኣ ወለደት። ሳሙኤል፡ እቲ
ቘልዓ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዐበየ። 22 ኤሊ ኸኣ ኣዝዩ ኣረገ፡ እቲ እቶም ደቁ ኣብ ብዘለዉ
እስራኤል ዝገበርዎ ኹሉን ነተን ኣብ ደገ ድንኳን ምርኻብ ዜገልግላ ኣንስቲ ድማ ከም ዚድቅስወንን
ሰምዔ። 23 ንኣታቶም ከኣ፡ እዚ ኻብ ብዘሎ ህዝቢ ዝሰምዖ ዘሎኹ ኽፉእ ግብርኹምሲ ስለምንታይ
ኢኹም ከምዚ ዝበለ ነገር ትገብርዎ ዘሎኹም፧ 24 ኣይፋልኩም ደቀየ፡ ንህዝቢ እግዚኣብሄር ገሃሲ
ትገብርዎ ኣሎኹም እሞ፡ እዚ ኣነ ዝሰምዖ ዘሎኹ ወረስ ጽቡቕ ኣይኰነን። 25 ሰብ ንሰብ እንተ በደሎስ፡
ኣምላኽ ይፈርዶ፡ ሰብ ንእግዚኣብሄር እንተ በደሎ ግና መን የማልዶ፧ በሎም። እግዚኣብሄር ኪቕትሎም
ስለ ዝደለየ ግና፡ ዘረባ ኣቦኦም ኣይሰምዑን። 26 ሳሙኤል እቲ ቘልዓ ኸኣ እናዐበየ ኸደ፡ ኣብ
እግዚኣብሄርን ኣብ ሰብን ድማ ፍትዊ ነበረ። 27 ሓደ ናይ ኣምላኽ ሰብ ናብ ኤሊ መጺኡ በሎ፡
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቲ ኣብ ግብጺ ኣብ ቤት ፈርኦን ከለዉ፡ ንቤት ኣቦኻ ብርግጽዶ
ኣይተገለጽኩላን እየ፧ 28 ካህነይ ኰይኑ ኣብ መሰውእየይ ደዪቡ ዕጣን ኪዐጥን፡ ኣብ ቅድመይውን ኤፎድ
ኪጸውር ኢለ ኻብ ኵሎም ነገድ እስራኤልዶ ንኣይ ሐርየዮ ኣይኰንኩን፧ ኵሉ ናይ ደቂ እስራኤል
መስዋእቲ ሓዊኽ ንቤት ኣቦኻዶ ሂበዮ ኣይኰንኩን፧ 29 ነቲ ኣብ ማሕደረይ ኪቕረብ ዝኣዘዝኩ መስዋእቲ
ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕን ደኣ ስለምንታይ ኢኹም እትረግጽዎ ዘሎኹም፧ ካብ ኵሉ እቲ መስዋእቲ
ህዝበይ እስራኤል በብሉጹ በሊዕኩም ምእንቲ ኽትሰብሑስ፡ ከመይ ኢልካኸ ኻብ ንኣይ ንደቅኻ
ኣኽበርካ፧ 30 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣነስ ንቤትካን ንቤት ኣቦኻን
ንዘለኣለም ኣብ ቅድመይ ኪመላለሱ ብርግጽ ኢለዮም ነበርኩ፡ ሕጂ ግና፡ ኣነስ ነቶም ዜኽብሩኒ
ኤኽብሮም፡ እቶም ዚንዕቁኒ ኸኣ ኪሐስሩ እዮም እሞ፡ እዝስ ካባይ ይርሓቕ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 31
እንሆ፡ ኣብ ቤትካ ኣረጊት ምእንቲ ኸይርከብ፡ ቅልጽምካን ቅልጽም ቤት ኣቦኻን ዝሰብረለን መዓልታት
ኪመጻ እየን። 32 በቲ ኣምላኽ ኣብ እስራኤል ዝገበሮ ኹሉ ጽቡቕስ፡ ኣብ ማሕደረይ ሽጋር ክትርኢ ኢኻ፡
ኣብ ቤትካ ድማ ንሓዋሩ ኣረጊት ኣይርከብን። 33 እቲ ኣነ ኻብ መሰውእየይ ዘይቈርጾ ሰብካ ኣዒንትኻ
ንምሕቃቕ ነፍስኻውን ንምምህማን ኪኸውን እዩ። ኣብ ቤትካ እተወልደ ዘበለ ኸኣ ብጕብዝናኡ
ኺመውት እዩ። 34 እቲ ኣብ ክልቲኦም ደቅኻ ሆፍንን ፊንሃስን ዚመጽእ፡ ክልቲኦም ብሓንቲ መዓልቲ
ኺሞቱ እዮም፡ እዚ ምልክት ኪኾነካ እዩ። 35 ኣነ ኸኣ ከም ልበይን ከም ነፍሰይን ዚገብር እሙን ካህን
ከተንስእ እየ፡ ንእኡ ድልድልቲ ቤት ክሰርሓሉ እየ፡ ንሱውን ንሓዋሩ ኣብ ቅድሚ መሲሄይ ኪመላለስ
እዩ። 36 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብ ቤትካ ዝተረፈ፡ ምእንቲ ሓንቲ ገንዘብ ብሩርን ሓንቲ እዛም
እንጌራን ኣብ ቅድሚኡ ኺሰግድ እዩ። ቍራስ እንጌራ ምእንቲ ኽበልዕሲ፡ ኣብ ሓደ ኣገልግሎት ክህነት
ኰታ ግበረኒ፡ ድማ ኺብሎ እዩ።

# ምዕራፍ 3

1 ሳሙኤል እቲ ቘሎዓ ድማ ኣብ ቅድሚ ኤሊ ንእግዚኣብሄር የገልግል ነበረ። በታ ጊዜ እቲኣ ኸኣ ቃል
እግዚኣብሄር ውሒዱ ነበረ፡ ራእይውን ብዙሕ ኣይነበረን። 2 ኰነ ኸኣ፡ በታ ጊዜ እቲኣ ኤሊ ኣብ ስፍራኡ
ደቂሱ ኸሎ፡ ምርኣይ ክሳዕ ዚስእን ኣዒንቱ ሐሚቐን ነበራ፡ 3 መብራህቲ ኣምላኽ ከኣ ገና ኺይጠፍኤ

ኸሎ፡ ሳሙኤልውን ኣብታ ታቦት ኣምላኽ ዘለዋ መቕደስ እግዚኣብሄር ተገምሲሱ ኸሎ፡ 4 ሽዑ
እግዚኣብሄር ንሳሙኤል ጸዎዖ፡ ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ፡ በለ። 5 ናብ ኤሊ ጐይዩ ድማ፡ ጸዊዕካኒ ኢኻ እሞ፡
እኔኹ፡ በለ። ንሱ ግና፡ ኣይጸዋዕኩን፡ ተመሊስካ ደኣ ደቅስ፡ በለ። ከይዱ ኸኣ ደቀሰ። 6 እግዚኣብሄር
ድማ ከም ብሓድሽ ንሳሙኤል ጸውዖ፡ ሳሙኤል ከኣ ተንሲኡ ናብ ኤሊ ኸይዱ፡ ጸዊዕካኒ ኢኻ እሞ
እኔኹ፡ በለ። ንሱ ግና፡ ወደየ፡ ኣነስ ኣይጸዋዕኩን፡ ተመሊስካ ደቅስ፡ በለ። 7 ሳሙኤል ከኣ ንእግዚኣብሄር
ገና ኣይፈለጦን ነበረ፡ ቃል እግዚኣብሄርውን ኣይተገልጸሉን ነበረ። 8 እግዚኣብሄር ድማ መሊሱ
ንሳሙኤል ሳልሳይ ሳዕ ጸውዖ። ንሱ ኸኣ ተንሲኡ ናብ ኤሊ ኸይዱ፡ ጸዊዕካኒ ኢኻ እሞ እኔኹ፡ በለ።
ሽዑ ኤሊ፡ ነቲ ቈልዓ እግዚኣብሄር ከም ዝጸውዖ ኣስተውዐለ። 9 ኤሊ ኸኣ ንሳሙኤል በሎ፡ ኪድ ደኣ
ደቅስ፡ ኪኸውን ከኣ እዩ፡ እንተ ጸውዓካ፡ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ተዛረብ፡ በል።
ሳሙኤል ከኣ ኸይዱ ኣብታ ስፍራኡ ደቀሰ። 10 እግዚኣብሄር ድማ መጸ፡ ደው ኢሉ ኸኣ ከምቲ ኻልእ
ጊዜታት፡ ሳሙኤል፡ ሳሙኤል፡ ኢሉ ጸውዖ። ሳሙኤል ከኣ፡ ባርያኻ ይሰምዕ ኣሎ እሞ፡ ተዛረብ፡ በለ። 11
ሽዑ እግዚኣብሄር ንሳሙኤል በሎ፡ እንሆ፡ ኣነ ኣብ እስራኤል ንዚሰምዖ ዘበለ ኣብ ክልቲኤን እዝኑ ዱድ
ዜብል ነገር ክገብር እየ። 12 በታ መዓልቲ እቲኣ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ኤሊ ብዛዕባ ቤቱ እተዛረብክዎ ዘበለ
ካብ መጀመርታኡ ኽሳዕ መወዳእታኡ ኽገብሮ እየ። 13 እቶም ደቁ ኣብ ርእሶም መርገም ከም ዘምጽኡ
እናፈለጠስ፡ ብዘይ ምኽልካሎም ስለ ዝበደለ፡ ንቤቱ ንዘለኣለም ከም ዝፈርደላ፡ ኣፍሊጠዮ እየ እሞ፡ 14
ስለዚ ኸኣ ንቤት ኤሊ፡ እቲ በደል ቤት ኤሊ ብመስዋእቲ ሕሩድ ወይ ብመስዋእቲ ብልዒ ንዘለኣለም
ኣይዕረቐን እዩ፡ ኢለ ምሒለ እየ። 15 ሳሙኤል ድማ ክሳዕ ዚወግሕ ደቂሱ መዓጹ ቤት እግዚኣብሄር
ከፈተ። ሳሙኤል እቲ ራእዩ ንኤሊ ኸይነግሮ ፈርሄ። 16 ኤሊ ግና ንሳሙኤል፡ ሳሙኤል ወደይ፡ ኢሉ
ጸውዖ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ፡ በለ። 17 ኤሊ ድማ፡ እቲ እተዛረበካ ነገር እንታይ እዩ፧ በጃኻ፡ ካባይ
ኣይትሰውሮ። ካብቲ እተዛረበካ ኹሉ ነገር ገለ ዘረባ እንተ ሓባእካለይ፡ ኣምላኽ ከምዚ ይግበርካ፡
ከምኡውን ይድገምካ፡ በለ። 18 ሽዑ ሳሙኤል፡ ካብኡ ገለ ኸይሐብኤ፡ ኵሉ እቲ ዘረባ ነገሮ። ኤሊ ድማ፡
ንሱ እግዚኣብሄር እዩ፡ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእዮ ይግበር፡ በለ። 19 ሳሙኤል ከኣ ዐበየ፡ እግዚኣብሄር ድማ
ምስኡ ነበረ እሞ፡ ካብቲ ኹሉ ዘረባኡ ገለ እኳ ናብ ምድሪ ኣየውደቐን። 20 ብዘሎ እስራኤል ካብ ዳን
ክሳዕ ብኤርሸባዕ ድማ፡ ሳሙኤል እሙን ነብዪ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ፈለጠ። 21 እግዚኣብሄር
ንሳሙኤል ብቓል እግዚኣብሄር ኣብ ሺሎ ይግለጸሉ ነበረ እሞ፡ እግዚኣብሄር መሊሱ ኣብ ሺሎ
ተራእዮ።

## ምዕራፍ 4

1 ቃል ሳሙኤል ከኣ ናብ ብዘሎ እስራኤል መጸ። እስራኤል ድማ ምስ ፍልስጥኤማውያን ኪዋጋእ ወጸ፡
ኣብ ኤብንዔዘር ከኣ ሰፈረ። ፍልስጥኤማውያን ድማ ኣብ ኣፌቕ ሰፈሩ። 2 ፍልስጥኤማውያን ከኣ ምስ
እስራኤል ኪዋግኡ ተሰለፉ። እቲ ውግእ ምስ ገፍሔ ድማ፡ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ፍልስጥኤማውያን
ተሳዕሩ፡ ኣብቲ እተሰለፉሉ መሮር ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ ሰብ ቀተሉ። 3 እቲ ህዝቢ ናብ ሰፈሩ ምስ
ተመልሰ፡ እቶም ዓበይቲ እስራኤል፡ እግዚኣብሄር ስለምንታይ ኰን እዩ ሎሚ ኣብ ቅድሚ
ፍልስጥኤማውያን ዝሰዐረና፡ እምበኣርሲ ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ንሱ ኣብ ማእከልና ኾይኑ ካብ
ኢድ ጸላእትና ምእንቲ ኺድሕነና፡ ካብ ሺሎ ናባና ነምጽኣዮ፡ በሉ። 4 እቲ ህዝቢ ናብ ሺሎ ልኢኹ ኸኣ፡
ካብኣ ነቲ ታቦት ኪዳን፡ ናይቲ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ዚነብር እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኣምጽእዎ።

ክልቲኦም ደቂ ኤሊ፡ ሆፍንን ፊንሃስን ድማ ምስቲ ታቦት ኪዳን ኣምላኽ ኣብኡ ነበሩ። 5 ኰነ ኸኣ፡ እቲ
ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ናብ ሰፈር ምስ ኣተወ፡ ብዘለዉ እስራኤል ምድሪ ኽሳዕ እተንደቕድቕ ብዙሕ
እልል በሉ። 6 ፍልስጥኤማያን ከኣ ነቲ ድምጺ እልልታ ምስ ሰምዑ፡ እዚ ኣብ ሰፈር እብራውያን ዘሎ
ድምጺ ብዙሕ እልልታስ እንታይ ኰን እዩ፧ በሉ። ታቦት እግዚኣብሄር ናብ ሰፈር ከም ዝኣተወ ኸኣ
ፈለጡ። 7 ፍልስጥኤማውያን ከኣ፡ ኣምላኽ ናብ ሰፈር መጺኡ እዩ፡ ኢሎም ብዙሕ ፈርሁ። በሉ ድማ፡
ቅድሚ ሕጂ ኸምዚ ዝበለ ነገር ኣይኰነን እሞ ወይለና። 8 ንግብጻውያን ብኹሉ ዓይነት መዓት ኣብ በረኻ
ዝወቕዕዎም እዞም ኣማልኽቲ እዚኣቶም እዮም እሞ፡ ወይለና፡ ካብ ኢድ እዞም ሓያላት ኣማልኽቲ
እዚኣቶም መን ኬድሕነና እዩ፧ 9 ኣቱም ፍልስጥኤማውያን፡ ከምቲ ንሳቶም ባሮትኩም ዝነበሩ፡
ንስኻትኩም ከኣ ባሮት እብራውያን ከይትኾኑስ፡ ጽንዑ፡ ሰብኡት ኩኑ፡ እወ ሰብኡት ኩኑ፡ ተዋግኡ። 10
ሽዑ ፍልስጥኤማውያን ተዋግኡ፡ እስራኤል ከኣ ተሳዕረ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ ነናብ ድንኳኑ ሀደመ። እቲ
ውግእ ኸኣ ኣዝዩ በርትዔ እሞ፡ ካብ እስራኤል ሰላሳ ሽሕ ኣጋር ወደቑ። 11 ታቦት ኣምላኽ ድማ
ተማረኸ። ክልቲኦም ደቂ ኤሊ፡ ሆፍንን ፊንሃስን፡ ከም ሞቱ። 12 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ሓደ
ብንያማዊ ሰብኣይ ክዳውንቱ ቐዲዱ፡ ኣብ ርእሱውን ሓመድ ነስኒሱ ኻብቲ ውግእ ጐይዩ ናብ ሺሎ
መጸ። 13 ንሱ ኺመጽእ ከሎ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኤሊ ብዛዕባ ታቦት ኣምላኽ ልቡ ተጨኒቑ ነበረ እሞ ኣብ
ደረት መገዲ ኣብ መንበር ተቐሚጡ የማዕዱ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ናብ ከተማ ኣትዩ ምስ ኣውረየ ኸኣ፡
ብዘላ እታ ኸተማ ዋይዋይ በለት። 14 ኤሊ ድማ ድምጺ እቲ ዋይዋይታ ምስ ሰምዔ፡ እዚ ድምጺ
ታዕታዕሲ እንታይ ኰን እዩ፧ በለ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ቀልጢፉ ናብ ኤሊ መጺኡ ነገሮ። 15 ኤሊ ግና ወዲ
ተስዓን ሾሞንተን ዓመት ኰይኑ ነበረ እሞ፡ ኣዒንቱ ፈዚዘን፡ ኪርኢ ኣይከኣለን። 16 እቲ ሰብኣይ ንኤሊ፡
እቲ ኻብ ውግእ ዝመጸ ኣነ እየ፡ ኣነ ኻብቲ ውግእ ሀደምኩ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ወደየ፡ ነገሩ እሞ ከመይ
ኰነ፡ በለ። 17 እቲ መውረዪ ድማ፡ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ፍልስጥኤማውያን ሀደሙ፡ ብዙሕ ሰብውን
ተወድኤ፡ ክልቲኦም ደቅኻ ሆፍንን ፊንሃስን ከኣ ሞይቶም፡ ታቦት ኣምላኽውን ተማሪኹ፡ ኢሉ መለሰ።
18 ኰነ ድማ፡ ታቦት ኣምላኽ ምስ ዘከረሉ፡ ኤሊ ኣሪጉ ከቢዱ ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ጐቦ እቲ ደገ ንድሕሪት
ኣቢሉ ኻብ መንበሩ ወደቐ፡ ክሳዱ ተሰቢሩ ድማ ሞተ። ንሱ ንእስራኤል ኣርብዓ ዓመት ፈሪዱ እዩ። 19
ሰበይቲ ፊንሃስ ወዱ ድማ፡ ሕርሳ ዝቐረበ ጥንስቲ ነበረት እሞ፡ ታቦት ኣምላኽ ከም እተማረኸ፡ ሓሙኣን
ሰብኣያን ከኣ ከም ዝሞቱ ወረ ምስ ሰምዔት፡ ሕርሲ ተታሕዘት እሞ፡ ተምበርኪኻ ወለደት። 20
ክትመውት ከላ ኸኣ፡ እተን ኣብ ዙርያኣ ደው ዝበላ ኣንስቲ፡ ወዲ ወሊድኪ ኢኺ እሞ፡ ኣይትፍርሂ፡
በላኣ። ንሳ ግና ገለ ኣይመለሰትን፡ ኣብ ልባውን ኣየእተወቶን። 21 እዚ ማለታ፡ ታቦት ኣምላኽ ስለ
እተማረኸ፡ ብምኽንያት ሓሙኣን ሰብኣያን ከኣ፡ ክብረት ካብ እስራኤል ረሐቐ፡ ኢላ ነቲ ሕጻን ኢካቦድ
ሰመየቶ። 22 ንሳ ድማ፡ ታቦት ኣምላኽ ተማሪኹ እዩ እሞ፡ ክብረት ካብ እስራኤል ረሐቐ፡ በለት።

## ምዕራፍ 5

1 ፍልስጥኤማውያን ድማ ንታቦት ኣምላኽ ወሲዶም ካብ ኤብንዔዘር ናብ ኣሽዶድ ኣምጽእዎ። 2
ፍልስጥኤማውያን ከኣ ንታቦት ኣምላኽ ወሲዶም ናብ ቤት ዳጎን ኣእተውዎ፡ ኣብ ጥቓ ዳጎን ኣቐመጥዎ።
3 ኣሽዶዳውያን ድማ ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ፡ እንሆ፡ ዳጎን ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር
ብግምባሩ ናብ ምድሪ ወዲቑ ነበረ። ንዳጎን ወሲዶም ከኣ ናብ ስፍራኡ መለስዎ። 4 ንጽብሒቱ ወጋሕታ
ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ ድማ፡ እንሆ፡ ዳጎን ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር ብግምባሩ ናብ ምድሪ ወዲቑ

ነበረ፡ ርእሲ ዳጎንን ክልቲኤን ግናዕ ኢዱን ከኣ ተቘሪጸን ኣብ ልዳት ወዲቖን ነበራ። ዳጎን እቲ ማእከሉ
ጥራይ ተሪፍዎ ነበረ። [5] ስለዚ ነታ ኣብ ኣሽዶድ ዘላ ልዳት ዳጎን ካህናት ዳጎን ኲኑ ወይ ናብ ቤት ዳጎን
ዚኣትዉ ኹሎም ክሳዕ ሎሚ ኣይረግጽዋን እዮም። [6] ኢድ እግዚኣብሄር ድማ ንኣሽዶዳውያን ከበደቶም፡
ንኣሽዶድን ንዶባታን ብሕበጥ ወቒዑ ኣጥፍኦም። [7] እቶም ሰብ ኣሽዶድ ከኣ ከምኡ ኸም ዝኾነ ምስ
ረአዩ፡ ኢዱ ኣብ ልዕሌናን ኣብ ልዕሊ ዳጎን ኣምላኽናን ጸኒዓ እያ እሞ፡ ታቦት ኣምላኽ እስራኤል ምሳና
ኣይንበር፡ በሉ። [8] ልኡኻት ሰዲዶም ከኣ ንኹሎም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ኣኪቦም፡ ንታቦት
ኣምላኽ እስራኤል እንታይ ንግበሮ፡ በሉ። ንሳቶም ከኣ፡ ታቦት ኣምላኽ እስራኤል ናብ ጋት የልግስ በሉ፡
ስለዚ ንታቦት ኣምላኽ እስራኤል ናብኣ ኣግለስዎ። [9] ኰነ ኸኣ፡ ምስ ኣግለስዎ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ኣብታ
ኸተማ ንኣዝዩ ዓብዩ ዕግርግር ኰነት፡ ንሰብ እታ ኸተማ፡ ካብ ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብዩ፡ ወቕዖም፡ ሕበጥ
ድማ ወጾም። [10] ሽዑ ንታቦት ኣምላኽ ናብ ዔቅሮን ሰደድዎ። ኰነ ኸኣ፡ እቲ ታቦት ኣምላኽ ናብ ዔቅሮን
ምስ መጸ፡ እቶም ዔቅሮናውያን፡ ንኣናን ንህዝብናን ምእንቲ ኪቐትሉናስ፡ ታቦት ኣምላኽ እስራኤል
ኣምጺኦምልና፡ ኢሎም ጨርሑ። [11] ኢድ ኣምላኽ ከኣ ኣብኡ ኣዝዩ ስለ ዝኸበደ፡ ንብዘላ እታ ኸተማውን
ፍርሃት ሞት ስለ ዝሓዛ፡ ልኢኾም ንኹሎም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ኣኪቦም፡ እዚ ታቦት ኣምላኽ
እስራኤል ንኣናን ንህዝብናን ምእንቲ ኸይቀትለናስ፡ ስደድዎ፡ ናብ ስፍራኡ ኸኣ ይመለስ፡ በሉ። [12] እቶም
ዘይሞቱ ሰባት ድማ ሕበጥ ወቕዖም፡ ብኽያት እታ ኸተማ ኸኣ ክሳዕ ሰማይ ደየበ።

## ምዕራፍ 6

[1] እቲ ታቦት እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን ሾብዓተ ወርሒ ነበረ። [2]
ፍልስጥኤማውያን ከኣ ነቶም ካህናትን ጠንቈልትን ጸዊዖም፡ ንታቦት እግዚኣብሄር እንታይ ንግበሮ፧
ከመይ ጌርና ናብ ቦታኡ ኸም እንመልሶ ኣፍልጡና፡ በሉ። [3] ንሳቶም ድማ፡ ንታቦት ኣምላኽ እስራኤል
እንተ ሰደድኩምዎ፡ ጥራዩ ኣይትስደድዎ፡ መስዋእቲ በደል ደኣ ምለሱሉ፡ ሽዑ ኽትፍወሱ ኢኹም፡
ኢዱውን ካባኻትኩም ዘይምግላሳ ብምንታይ ምኽንያት ምዃኑ ኺፍለጠኩም እዩ፡ በሉ። [4] ንሳቶም ከኣ፡
እቲ መስዋእቲ በደል እንመልሰሉ ኸመይ ዝበለ እዩ፡ በሉ። ንሳቶም ድማ በሉ፡ እቲ መዓት
ንኹላትኩምን ንሹማምትኹምን ሓደ ዓይነት እዩ እሞ፡ ከም ቍጽሪ እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን
ሓሙሽተ ሕበጥ ወርቅን ሓሙሽተ ኣንጭዋ ወርቅን እዩ። [5] እምበርኣርሲ ምስሊ እቲ ሕበጥኩምን ምስሊ
እተን ንሃገር ዘጥፍኣ ኣናጹኹምን ግበሩ፡ ንኣምላኽ እስራኤል ከኣ ክብሪ ሀብዎ፡ ምናልባሽ ኢዱ ኻብ
ልዕሌኹምን ካብ ልዕሊ ኣማልኽትኹምን ካብ ልዕሊ ምድርኹምን ክትቀልል እያ። [6] ከምቲ
ግብጻውያንን ፈርኦንን ልቦም ዘትረሩ፡ ስለምንታይ ልብኹም ተትርሩ ኣሎኹም፧ ኣባታቶም ሓይሊ ምስ
ገበረ ደይኰኑን ይኺዱ ዝሐደግዎም፡ ንሳቶም ድማ ዝኸዱ፧ [7] ሕጂ ኸኣ ሓደ ሓድሽ ሰረገላ ሰሪሕኩም፡
ኣርዑት ዘይተሰቕለን፡ ዜጥብዋ ኽልተ ላም ውሰዱ እሞ፡ ነተን ኣሓ ኣብቲ ሰረገላ ቐረንወን፡ ነተን
ኣባትየን ከኣ ካብ ድሕሪኤን ናብ ቤት ምለስወን። [8] ነቲ ታቦት እግዚኣብሄር ወሲድኩም ኣብቲ ሰረገላ
ግበርዎ፡ እቲ ንመስዋእቲ በደል እትመልሱሉ ኣቓሑ ወርቂ ኸኣ ኣብ ሳጹን ጌርኩም ኣብ ጎቦኡ ኣንብርዎ
እሞ ይኺድ ስደድዎ። [9] ርአዩ ድማ፡ ብመገዲ ሃገሩ ኣቢሉ ናብ ቤትሸመሽ እንተ ደየበ፡ ሽዑ እዚ ብርቱዕ
ክፉእ ነገር እዚ ዘምጽኣልና፡ ንሱ እዩ፡ እንተ ዘይኰነ ግና፡ ንሱስ ብኸምኡ ደአ መጺኡና እምበር፡ እዚ
መዓት እዚ ኢዱ ኸም ዘየውረደትልና ኽንፈልጥ ኢና፡ በሉ። [10] እቶም ሰባት ከኣ ከምኡ ገበሩ። ክልተ
ዜጥብዋ ላም ወሲዶም ኣብቲ ሰረገላ ቘረንወን፡ ነተን ኣባትየን ድማ ኣብ ቤት ዐጸዉወን። [11] ንታቦት

እግዚኣብሄርን ነቲ ሳጹንን ምስቲ ኣናጹ ወርቅን ምስልታት ሕበጥን ኣብቲ ሰረገላ ኣንበርዎ። 12 እተን ኣሓ
ድማ፡ ንየማነ ጸጋም ከየግለሳ፡ እምባሕ እናበላ፡ ብጐደና ኣቕኒዔን መገዲ ቤትሸመሽ ትኽ ኢለን ከዳ።
እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ከኣ ክሳዕ ዶብ ቤትሸመሽ ደድሕሪኣን ከዱ። 13 እቶም ሰብ ቤትሸመሽ
ድማ ስርናይ ኣብቲ ለሰ ይዐጽዱ ነበሩ። ኣዒንቶም ቋሕ ኣቢሎም ነቲ ታቦት ረአይዎ እሞ፡ ብምርኣዩ
ተሓጎሱ። 14 እቲ ሰረገላ ድማ ናብ ግራት እያሱ በዓል ቤትሸመሽ መጺኡ ኣብኡ ቈመ፡ ኣብኡ ድማ ዓብዪ
እምኒ ነበረ። ዕጨይቲ እቲ ሰረገላ ፈሊጾም ከኣ እተን ኣሓ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረጉሉ።
15 ሌዋውያን ከኣ ነቲ ታቦት እግዚኣብሄርን ነቲ ምስኡ ዝነበረ፡ ኣቓሑ ወርቂ ዘለዎ ሳጹንን ኣውሪዶም
ኣብቲ ዓብዪ እምኒ ኣንበርዎ። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ እቶም ሰብ ቤትሸመሽ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር
መስዋእቲ ኣዕረጉሉ፡ መስዋእቲ ሕሩድ ከኣ ሰውኡሉ። 16 እቶም ሓሙሽተ ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን
ድማ ምስ ረአይዎ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ናብ ዔቅሮን ተመልሱ። 17 እቲ ፍልስጥኤማውያን ንእግዚኣብሄር
ንመስዋእቲ በደል ዝመለሱሉ ሕበጥ ወርቂ ኸኣ እዚ እዩ፡ ሓደ ንኣሽዶድ፡ ሓደ ንጋዛ፡ ሓደ ንኣስቀሎን፡
ሓደ ንጋት፡ ሓደ ንዔቅሮን። 18 እተን ኣናጹ ወርቂ ድማ ከም ቍጽሪ ኹለን ናይቶም ሓሙሽተ ሹማምቲ
ኸተማታት ፍልስጥኤማውያን እየን፡ ካብተን ዕሩዳት ከተማታት ጀሚረን ክሳዕ ኣቝሻት እታ ሃገር፡ ክሳዕ
እቲ ታቦት እግዚኣብሄር እተቐመጦ ዓብዪ እምኒ፡ ንሱ ኸኣ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ግራት እያሱ በዓል
ቤትሸመሽ ኣሎ። 19 ካብ ሰብ ቤትሸመሽ ድማ ናብ ውሽጢ እቲ ታቦት ስለ ዝጠመቱ ቐዘፎም እሞ፡
ካብቲ ህዝቢ ሰብዓ ሰብ ቀተለ። እግዚኣብሄር ነቲ ህዝቢ ብብርቱዕ መቕዘፍቲ ስለ ዝቐዘፎ ድማ እቶም
ህዝቢ ሐዘኑ። 20 እቶም ሰብ ቤትሸመሽ ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ እዚ ቅዱስ ኣምላኽ፡ መን
ኪቐውም ይኽእል፧ ካባናኸ ናብ መን ኪድይብ እዩ፧ በሉ። 21 ነቶም ኣብ ቂርያትየዓሪም ዚነብሩ ኸኣ፡
ንታቦት እግዚኣብሄር ፍልስጥኤማውያን መሊሶምዎ፡ ወሪድኩም ናባኻትኩም ኣደይብዎ፡ ኢሎም
ልኡኻት ሰደዱሎም።

## ምዕራፍ 7

1 እቶም ሰብ ቂርያትየዓሪም ድማ መጺኦም ንታቦት እግዚኣብሄር ኣደዪቦም ናብታ ኣብ ኩርባ ዘላ ቤት
ኣቢናዳብ ኣእተውዎ፡ ንኣልኣዛር ወዱ ኸኣ ታቦት እግዚኣብሄር ኪሕሉ ቀደስዎ። 2 ኰነ ድማ፡ እቲ ታቦት
ኣብ ቂርያትየዓርም ካብ ዚቕመጥ ጊዜኡ ነውሒ፡ ዕስራ ዓመት ኰነ። ብዘለዉ ቤት እስራኤል ናብ
እግዚኣብሄር ኣቢሎም ይቝዝሙ ነበሩ። 3 ሳሙኤል ከኣ ንብዘላ ቤት እስራኤል፡ ንስኻትኩም ብምሉእ
ልብኹም ናብ እግዚኣብሄር ትምለሱ እንተ ኼንኩም፡ ጓኖት ኣማልኽትን ኣስታሮትን ካብ ማእከልኩም
ኣርሕቑ፡ ልብኹም ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ኣቕንዑ፡ ንእኡ ጥራይውን ኣምልኹ፡ ሽው ኻብ ኢድ
ፍልስጥኤማውያን ኬድሕነኩም እዩ፡ ኢሉ ተዛረበ። 4 ደቂ እስራኤል ከኣ ንበዓሊምን ንኣስታሮትን
ኣርሒቖም ንእግዚኣብሄር ጥራይ ኣምለኹ። 5 ሳሙኤል ድማ፡ ንኹሉ እስራኤል ኣብ ሚጽጳ ኣክቡ፡
ንእግዚኣብሄር ከኣ ምእንታኹም ክልምኖ እየ፡ በሎም። 6 ሽው ኣብ ሚጽጳ ተኣከቡ፡ ማይ ቀዲሖም ድማ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣፍሰስዎ፡ በታ መዓልቲ እቲኣውን ጾሙ፡ ኣብኡ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሄር
በዲልናዮ፡ በሉ። ሳሙኤል ድማ ንደቂ እስራኤል ኣብ ሚጽጳ ፈረዶም። 7 ፍልስጥኤማውያን ከኣ ደቂ
እስራኤል ኣብ ሚጽጳ ኸም እተኣከቡ ምስ ሰምዑ፡ እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ንእስራኤል
ደየብዎም። ደቂ እስራኤል እዚ ምስ ሰምዑ ድማ፡ ንፍልስጥኤማውያን ፈርሀዎም። 8 ደቂ እስራኤል ከኣ
ንሳሙኤል፡ ካብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኬድሕነናስ፡ ምእንታና ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ምምህላል

ኣይትሕደግ፡ በልዎ። 9 ሳሙኤል ድማ ሓደ ዚጠቡ ዕየት ወሲዱ፡ ምሉእ ዚሓርር መስዋእቲ ገይሩ
ንእግዚኣብሄር ኣዕረገሉ። ሳሙኤል ከኣ ምእንቲ እስራኤል ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ እግዚኣብሄር
ድማ ምላሽ ሀቦ። 10 ኰነ ድማ፡ ሳሙኤል እቲ ዚሓርር መስዋእቲ ኺዕርግ ከሎ፡ ፍልስጥኤማውያን
ንእስራኤል ኪዋግኡ ቐረቡ። እግዚኣብሄር ግና በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ልዕሊ ፍልስጥኤማውያን ብርቱዕ
ነጐዳ ኣንጐድጒዱ ኣሸበሮም እሞ፡ ኣብ ቅድሚ እስራኤል ተሳዕሩ። 11 እቶም ሰብ እስራኤል ድማ ካብ
ሚጽጳ ወጺኦም ንፍልስጥኤማውያን ሰጐጕዎም፡ ክሳዕ ትሕቲ ቤትካር ከኣ ቀተልዎም። 12 ሽዑ ሳሙኤል
ሓደ እምኒ ወሲዱ ኣብ መንጎ ሚጽጳን ሼንን ኣንበሮ፡ እግዚኣብሄር ክሳዕ ኣብዚ ረድኣና፡ ኢሉ ድማ ስሙ
ኤብንዔዘር ሰመዮ። 13 ፍልስጥኤማውያን ተዋረዱ፡ መሊሶም ከኣ ናብ ዶብ እስራኤል ኣይመጹን።
ብዅሉ ዘበን ሳሙኤል ድማ ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ፍልስጥኤማውያን ነበረት። 14 እተን
ፍልስጥኤማውያን ካብ እስራኤል ወሲዶምወን ዝነበሩ ኸተማታት ድማ፡ ካብ ዔቅሮን ክሳዕ ጋት፡ ናብ
እስራኤል ተመልሳ፡ ንዶበን ከኣ እስራኤል ካብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኣድሐኑ። ኣብ መንጎ እስራኤልን
ኣብ መንጎ ኣሞራውያንን ድማ ዕርቂ ነበረ። 15 ሳሙኤል ድማ ምሉእ ዘበን ህይወቱ ንእስራኤል ፈረደ። 16
ዓመት ንዓመት ከይዱ ኸኣ ናብ ቤትኤልን ጊልጋልን ሚጽጳን ይዘውር ነበረ፡ ኣብ ኵለን እዘን ቦታታት
እዚኣተን ከኣ ንእስራኤል ይፈርድ ነበረ። 17 ቤቱ ኣብ ራማ ነበረት እሞ፡ ናብኣ ይምለስ ነበረ፡ ኣብኣ ድማ
ንእስራኤል ይፈርድ ነበረ። ኣብኣውን ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ።

## ምዕራፍ 8

1 ኰነ ድማ፡ ሳሙኤል ምስ ኣረገ፡ ንደቁ ኣብ እስራኤል ፈረድቲ ገበሮም፡ 2 ስም እቲ በዅሪ ወዱ ዮኤል፡
ስም እቲ ኻልኣይ ኸኣ ኣቢያ ነበረ፡ ኣብ ብኤርሸባዕ ፈረድቲ ነበሩ። 3 እቶም ደቁ ግና ብመገዱ ኣይከዱን፡
ናብ ስስዔ ደኣ ኣበሉ፡ መማለዲ ተቐቢሎም ድማ ፍርዲ የቕንኑ ነበሩ። 4 ሽዑ ብዘለዉ ዓበይቲ እስራኤል
ተኣኪቦም ናብ ሳሙኤል ኣብ ራማ መጹ፡ 5 እንሆ፡ ንስኻ ኣሪግካ፡ ደቅኻ ኸኣ ብመገድኻ ኣይከዱን።
እምበኣርሲ፡ ሕጂ ኸም ኵሎም ህዝብታት ዚፈርደልና ንጉስ ኣንግሰልና፡ ድማ በልዎ። 6 ዚፈርደልና ንጉስ
ሀበና፡ ምስ በሉ ግና፡ እዚ ነገር እዚ ንሳሙኤል ኣጕሀዮ። ሳሙኤል ከኣ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ። 7
እግዚኣብሄር ድማ ንሳሙኤል በሎ፡ ኣነ ኸይነግሶም፡ ንኣይ እዮም ዝነዐቑ እምበር፡ ንኣኻ ኣይኰኑን
ዝነዓቑ እሞ፡ እዞም ህዝቢ ብዝበሉኻ ዅሉ ቓሎም ስማዕ። 8 ከምቲ ኻብታ ኻብ ግብጺ ዘውጻእክዎም
መዓልቲ ጀሚሮም ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ዝገበርዎ ግብሪ፡ ንኣይ ሐዲጎም ንኻልኦት ኣማልኽቲ
ኣምለኹ፡ ንኣኻ ድማ ከምኡ ይገብሩ ኣለዉ። 9 ሕጂ ኸኣ ቓሎም ስማዕ፡ ግናኸ ኣጽኒዕካ ምዕዶም፡
ስርዓት እቲ ኣብ ልዕሊኦም ዚነግስ ንጉስ ከኣ ኣፍልጦም። 10 ሳሙኤል ድማ ነቶም ካብኡ ንጉስ ዝለመኑ
ህዝቢ እቲ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ዘበለ ነገሮም። 11 ንሱ በሎም፡ ስርዓት እቲ ኣብ ልዕሌኹም ዚነግስ
ንጉስ እዚ እዩ፡ ነቶም ኣወዳትኩም ወሲዱ ሰብ ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ይገብሮም፡ ቀቅድሚ ሰረገላኡ
ድማ ኪጐዩ እዮም። 12 ሓላቓ ሽሕን ሓላቓ ሓምሳን፡ ማሕረሱ ዚሐርሱን ዓጺዱ ዚዐጽዱን ኣጽዋር
ውግኡን ኣቕሓ ሰረገላኡን ድማ ዚሰርሑ ኺገብሮም እዩ። 13 ነተን ኣዋልድኩም ከኣ ሽቱ ኼቃምማን
ጸብሒ ኺሰርሓን ኪስንክታን ኪወስደን እዩ። 14 እቲ ዘዝበለጸ ግርሁኹምን ኣታኽልቲ ወይንኹምን
ኣታኽልቲ ዘይትኹምን ወሲዱ ድማ ንገላውኡ ኺህቦም እዩ። 15 ዕሽር ዘራእትኹምን ወይንኹምን
ወሲዱ ኸኣ ንስሉባቱን ንገላዉኡን ኪህቦም እዩ። 16 ገላዉኹምን ኣግራድኩምን ዘዝበለጹ ኣጕባዝኩምን
ኣእዱግኩምን ወሲዱ ድማ ንዕዮኡ ኺገብሮም እዩ። 17 ካብ ኣባጊዕኩም ከኣ ዕሽር ይወስድ፡ ባሮቱውን

ክትኰኑ ኢኹም። 18 በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ ቅድሚ እቲ ዝሐረኹምዎ ንጉስኩም ክትምህለሉ ኢኹም፡
በታ መዓልቲ እቲኣ ግና እግዚኣብሄር ኣይመልሰልኩምን እዩ። 19-20 እቶም ህዝቢ ግና ንቓል ሳሙኤል
ምስማዕ ኣብዮም፡ ኣይፋል፡ ንሕናስ ከምቶም ኵሎም ህዝብታት ክንከውን፡ ንጉስና ኺፈርደልናን
ቀቅድሜና ወጺኡ ውግእና ኺዋግኣልናንሲ ንጉስ ደአ ኣብ ልዕሌና ይኹን፡ በሉ። 21 ሳሙኤል ድማ ኵሉ
ዘረባ እቲ ህዝቢ ሰሚዑ ንእግዚኣብሄር ነገሮ። 22 እግዚኣብሄር ከኣ ንሳሙኤል፡ ቃሎም ስማዕ እሞ ንጉስ
ኣንግሰሎም፡ በሎ። ሳሙኤል ድማ ንሰብ እስራኤል፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ከተማኡ ይኺድ፡ በሎም።

## ምዕራፍ 9

1 ካብ ብንያም ድማ ቂስ ዝስሙ ወዲ ኣቢኤል፡ ወዲ ጽሮር፡ ወዲ በኮራት፡ ወዲ ኣፊያሕ፡ ወዲ ሓደ
ብንያማዊ ሓያል ጅግና ሰብኣይ ነበረ። 2 ንሱ ኸኣ ሳኣል ዝስሙ ምልምልን መንእሰይን ወዲ ነበሮ፡ ካብ
ደቂ እስራኤል ካብኡ ዚጽብቕ ሰብ ኣይነበረን፡ ካብ ክሳዱ ንላዕሊ ኻብ ኵሉ ህዝቢ ጸብለል ዝበለ ነበረ።
3 ንቂስ ኣቦ ሳኣል ኣእዱግ ጠፍኣኦ። ቂስ ድማ ንሳኣል ወዱ፡ ካብዞም ግዙኣት ሓደ ምሳኻ ውሰድ፡
ተንሲእካ ድማ ኪድ እሞ፡ ነተን ኣእዱግ ድለየን፡ በሎ። 4 ሽዑ ብኸረን ኤፍሬም ሐለፈ፡ ብምድሪ ሻሊሻ
ኸኣ ሐለፈ፡ ግናኸ ኣይረኸብወንን። ብምድሪ ሻዓሊም ድማ ሐለፉ፡ ኣብኣውን ኣይነበራን፡ ብምድሪ
ብንያማውያን ከኣ ሐለፉ፡ ግናኸ ኣይረኸብወንን። 5 ናብ ምድሪ ጹፍ ምስ መጹ፡ ሳኣል ነቲ ምስኡ ዝነበረ
ግዙኡ፡ ኣቦይ ብናይ ኣእዱግ ሐዲጉ ብኣና ይጭነቕ ከይህሉስ፡ ንዓናይ ንኺድ ንመለስ፡ በሎ። 6 ንሱ ግና፡
እንሆ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ኣሎ፡ ንሱ ኸቡር ሰብኣይ፡ ዝበሎ ዅሉ ርግጽ ዚኸውን
እዩ፡ ሕጂ ናብኡ ንኺድ፡ ንሱ ምናልባሽ እንኸደላ መገድና ይነግረና ይኸውን፡ በሎ። 7 ሳኣል ድማ ነቲ
ግዝኡ፡ እንሆ፡ እንተ ኸድናስ፡ ነቲ ሰብኣይ እሞ እንታይ ነምጽኣሉ፡ ኣብ ለቘታና እንጌራ ተወዲኡ፡ ነቲ
ናይ ኣምላኽ ሰብ እነምጽኣሉ ህያብ የብልናን፡ ወይስ እንታይ እሞ፡ ኣሎና በሎ። 8 እቲ ግዙእ ከኣ ከም
ብሓድሽ ንሳኣል፡ እንሆ፡ ርብዒ ሲቃል ብሩር ኣብ ኢደይ ኣሎኒ፡ እምበኣርሲ መገድና ምእንቲ
ኺነግረናስ፡ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ክህቦ እየ፡ ኢሉ መለሰሉ። 9 እዚ ሎሚ ነብዪ ዚበሃል ዘሎ፡ ቀደም
ረኣዪ ይበሃል ነበረ እሞ፡ ቀደም ኣብ እስራኤል ሓደ ሰብ ንኣምላኽ ኪሐትት ምስ ዚኸይድ፡ ንዑ ናብ
ረኣዪ ንኺድ፡ ይብል ነበረ። 10 ሳኣል ድማ ነቲ ግዙኡ፡ ጽቡቕ ተዛሪብካ፡ ንዓናይ ንኺድ፡ በሎ። ከምዚ
ኢሎም፡ ናብታ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዘለዋ ኸተማ ኸዱ። 11 ንሳቶም በቲ ናብታ ኸተማ ዜደይብ ዓቐበት
ኪድይቡ ኸለዉ፡ ማይ ኪወርዳ ዝወጻ ኣዋልድ ረኸቡ፡ እቲ ረኣዪ ኣብዚዶ ኣሎ፡ ኢሎም ሐተትወን። 12
ንሳተን ከኣ ከምዚ ኢለን መለሳሎም፡ እንሆ፡ ኣብዚ ቕድሜኻ ኣሎ፡ እዚ ህዝቢ ሎሚ ኣብቲ በሪኽ
ኪሰውእ እዩ፡ ስለዚ ንሱ ሎሚ ናብዛ ኸተማ መጺኡ ኣሎ እሞ፡ ሕጂ ቐልጥፍ። 13 ናብ ከተማ ምስ
ኣቶኹም፡ ገና ናብቲ በሪኽ ኪበልዕ ከይደየበ፡ ብኡብኡ ኽትረኽብዎ ኢኹም። ነቲ መስዋእቲ ንሱ እዩ
ዚባርኾ፡ ስለዚ እቶም ህዝቢ፡ ንሱ ኸይመጸ፡ ኣይበልዑን እዮም እሞ፡ ድሕርቲ እቶም ዕዱማት
ይበልዑ። በዛ ጊዜ እዚኣ ኽትረኽብዎ ኢኹም፡ ስለዚ ሕጂ ደይቡ። 14 ናብታ ኸተማ ኸኣ ደየቡ። ናብታ
ኸተማ ምስ ኣተዉ፡ እንሆ፡ ሳሙኤል ናብቲ በሪኽ ኪድይብ ኪቃባበሎም ወጸ። 15 ሓንቲ መዓልቲ
ቕድሚ ምምጻእ ሳኣል፡ እግዚኣብሄር ንሳሙኤል ከምዚ ኢሉ ገሊጽሉ ነበረ፡ 16 ገዓሩ ናባይ ስለ ዝበጽሐ፡
ንህዝበይ ርእየዮ እየ እሞ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ሓደ ሰብኣይ ካብ ሃገር ብንያም ናባኻ ኽሰድድ እየ፡
ንእኡ ኣብ ህዝበይ እስራኤል ሓለቓ ኪኸውን ቅብኦ፡ ንሱ ንህዝበይ ካብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን
ኬድሕኖ እዩ። 17 ሳሙኤል ንሳኣል ምስ ረአዮ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር፡ እቲ ዝበልኩኻ ሰብኣይ እንሆ፡ ኣብ

ልዕሊ ህዝበይ ዚገዝእ እዚ እዩ፡ በሎ። 18 ሳኦል ከኣ ኣብ ማእከል እቲ ደገ ናብ ሳሙኤል ቀሪቡ፡ ቤት እቲ
ረኣይስ ኣበይ እዩ ዘሎ በጃኻ ንገረኒ፡ በሎ። 19 ሳሙኤል ድማ ንሳኦል ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ እቲ ረኣዪ
ኣነ እየ፡ ሎሚ ምሳይ ክትምስሑ ኢኹም እሞ፡ ቀቅድመይ ናብቲ በሪኽ ደይብ፡ ጽባሕ ግና እቲ ኣብ
ልብኻ ዘሎ ኹሉ ነጊረ ኽሰደካ እየ። 20 ብዛዕባ እተን ካብ ዝጠፍኣኻ ሰለስተ መዓልቲ ዝገበራ ኣእዱግ
ከኣ፡ ተረኺበን እየን እሞ፡ ብእኤንሲ ኣይትሕሰብ። እቲ እስራኤል ዚትምነዮ ዘበለ ኵሉኸ፡ ንመን እዩ፡
ንኣኻን ንቤት ኣቦኻንዶ ኣይኰነን። 21 ሳኦል ድማ፡ ኣነስ ብንያማዊ፡ ካብ ሓደ ኻብቶም ናእሽቱ ነገዳት
እስራኤልዶ ኣይኰንኩን፡ ዓሌተይ ከኣ እቲ ኻብ ኵሎም ዓሌታት ነገድ ብንያም ዚንእስዶ ኣይኰነን፡
ስለምንታይ ደኣ ኢኻ ኸምዚ ዝበለ ዘረባ እትዛረበኒ ዘሎኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 22 ሳሙኤል ድማ ንሳኦልን
ነቲ ጊልያኡን ናብ ኣደራሽ ኣእትዩ፡ ብልዕሊ እቶም ዕዱማት ኣቐመጦም፡ ንሳቶም ከኣ ኣስታት ሰላሳ ሰብ
ነበሩ። 23 ሳሙኤል ድማ ነቲ ሰራሕ ጸብሒ፡ ነቲ ምሳኻ ኣንብሮ ኢለ ዝሀብኩኻ ምቃል ኣምጽኣዮ፡ በሎ።
24 እቲ ሰራሕ ጸብሒ ከኣ ነቲ ሰለፍን ነቲ ምስኡ ዘሎን ኣምጺኡ ኣብ ቅድሚ ሳኦል ኣንበሮ። ሳሙኤል
ድማ፡ እቲ ንህዝቢ ጸዊዔ ኽብል ከሎኹ፡ ነዛ ምድብቲ ጊዜ እዚኣ ተነቢሩልካ እዩ እሞ፡ እቲ ተሪፉ
ዝነበረ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሜኻ ጌርካ ብልዓዮ፡ በለ። ሳኦል ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ምስ ሳሙኤል በልዔ።
25 ካብቲ በሪኽ ናብታ ኸተማ ምስ ወረዱ ድማ፡ ኣብ ናሕሲ ኾይኑ ምስ ሳኦል ተዛረበ። 26 ኣንጊሆም ከኣ
ተንስኡ። ኰነ ድማ፡ ቐይሔ ጸሊም ኪቐድድ ከሎ፡ ሳሙኤል ኣብ ናሕሲ ኾይኑ ንሳኦል፡ ከፋንወካስ
ተንስእ፡ ኢሉ ጸውዖ። ሳኦል ከኣ ተንስኤ፡ ንሱን ሳሙኤልን ድማ ክልቲኦም ናብ ግዳም ወጹ። 27 ኣብ
ወሰን እታ ኸተማ ምስ ወረዱ፡ ሳሙኤል ንሳኦል፡ ነዚ ግዙእ ንቕድሜና ሕለፍ፡ በሎ፡ ንሱ ኸኣ ሐለፈ
ንስኻ ግና፡ ሕጂ ቓል ኣምላኽ ከስምዓካስ፡ ጠጠው በል፡ በሎ።

## ምዕራፍ 10

1 ሽዑ ሳሙኤል ብልቃጥ ዘይቲ ወሲዱ ናብ ልዕሊ ርእሱ ኣፍሰሰሉ እሞ ሰዐሞ በሎውን፡ እግዚኣብሄር
ዝቐብኣካስ ኣብ ርስቱ ሹም ክትከውንዶ ኣይኰነን፧ 2 ሎሚ ኻባይ ምስ ከድካ፡ ኣብ ጥቓ መቓብር ራሄል፡
ኣብ ዶብ ብንያም ኣብ ጸልጻሕ ክልተ ሰብ ክትረክብ ኢኻ፡ ንሳቶም ከኣ፡ እተን ኣእዱግ ክትደልየን ኬድካ
ዝነበርካስ ተረኺበን። እንሆ ድማ፡ ኣቦኻ ብዛዕባ እተን ኣእዱግ ምሕሳብ ሐዲጉ፡ ናይዚ ወደይሲ እንታይ
ክገብር እየ፧ እናበለ፡ ብኣኻትኩም ይጭነቕ ኣሎ፡ ኪብሉኻ እዮም። 3 ካብኡ ንቕድሚት ሕልፍ ኢልካ ኣብ
ድዋ ታቦር ምስ መጻእካ ኸኣ፡ ኣብኡ ናብ ኣምላኽ ናብ ቤትኤል ዚድይቡ ሰለስተ ሰብ፡ እቲ ሓደ ሰለስተ
ወጠጦ ጾይሩ፡ ሓደ ድማ ሰለስተ እንጌራ ጾይሩ፡ ሓደ ኸኣ ሐርቢ ወይኒ ጾይሩ ኺረኽቡኻ እዮም። 4
ከመይ ኢልካ ኣሎኻ፡ ድማ ይብሉኻ፡ ክልተ እንጌራ ኸኣ ኪሁቡኻ እዮም እሞ፡ ካብ ኢዶም ክትቅበሎ
ኢኻ። 5 ድሕርዚ ናብቲ ዘብዔኛታት ፍልስጥኤማውያን ዘለውዎ ኹርባ ኣምላኽ ክትመጽእ ኢኻ።
ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ናብታ ኸተማ ኽትኣቱ ኸሎኻ፡ ኣብኣ እኩባት ነብያት ቀቅድሚኦም ድማ በገናን
ከበሮን እምብልታን መሰንቆን ገይሮም፡ ካብቲ በሪኽ ኪወርዱ ኽትረክብ ኢኻ፡ ንሳቶም ከኣ ኪንበዩ
እዮም። 6 መንፈስ እግዚኣብሄር ድማ ናብ ልዕሌኻ ኺወርድ እዩ፡ ምሳታቶም ከኣ ክትንበ ኢኻ፡ ካልእ
ሰብ ክትከውን ድማ ክትልወጥ ኢኻ። 7 ይኸውን ከኣ፡ እዚ ምልክታት እዚ ምስ መጸካ፡ ኣምላኽ ምሳኻ
እዩ እሞ፡ እቲ ዚምሽኣካ ግበር። 8 ቅድመይ ናብ ጊልጋል ክትወርድ ኢኻ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣነ ዚሐርር
መስዋእቲ ኽዕርግ፡ መስዋእቲ ምስጋና ድማ ክሰውእ ናባኻ ኽወርድ እየ። ናባኻ መጺኤ እትገብሮ ኽሳዕ
ዝነግረካ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ኽትጸንሕ ኢኻ። 9 ኰነ ድማ፡ ካብ ሳሙኤል ኪኸይድ ዝባኑ ምስ መለሰ፡

ኣምላኽ ካልእ ልቢ ለወጠሉ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ እዚ ምልክታት እዚ ኹሉ መጸ። 10 ናብታ ኹርባ
ምስ መጹ ድማ፡ እንሆ፡ እኩባት ነብያት ተቐባበልዎ፡ መንፈስ ኣምላኽ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ እሞ ኣብ
ማእከሎም ኰይኑ ተነበየ። 11 ኰነ ድማ፡ እቶም ቀደም ዚፈልጥዎ ዝነበሩ ኹሎም፡ እንሆ፡ ምስ ነብያት
ኰይኑ ኺንበ ምስ ረአይዎ፡ እቲ ህዝቢ ንሓድሕዱ፡ እዚ ኣብ ወዲ ቂስ ኰይኑ ዘሎ እንታይ እዩ፡
ሳኦልውንንዶ ምስ ነብያት እዩ፧ በለ። 12 ኣብቲ ስፍራ እቲ ዚነብር ሓደ ሰብኣይ ከኣ፡ ኣቦኦምስ መን እዩ
ኢሉ፡ መለሰ። ስለዚ እዩ እቲ ምስላ ዝኾነ፡ ሳኦልውንንዶ ምስ ነብያት እዩ፧ 13 ምንባይ ምስ ወድኤ
ድማ፡ ናብቲ በሪኽ መጸ። 14 ሓወቦ ሳኦል ከኣ ንእኡን ነቲ ግዙኡን፡ ናበይ ኬድኩም ኔርኩም ኢኹም፧
በሎም። ንሱ ድማ፡ ኣእዱግ ክንደሊ፡ ከም ዘየለዋ ምስ ርኤና ግና፡ ናብ ሳሙኤል መጻእና፡ በለ። 15
ሓወቦ ሳኦል ድማ፡ እቲ ሳሙኤል ዝበለኩም በጃኻ ንገረኒ፡ በለ። 16 ሳኦል ከኣ ንሓወቦኡ፡ ኣእዱግ ከም
እተረኽባ ኣርጊጹ ነገረና፡ በሎ። እቲ ሳሙኤል ብናይ መንግስቲ ነገር ዝበሎ ግና ኣይነገሮን። 17 ሳሙኤል
ድማ ነቲ ህዝቢ ናብ እግዚኣብሄር ኣብ ሚጽጳ ጸውዖ። 18 ንደቂ እስራኤል ከአ በሎም፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል፡ ኣነ ንእስራኤል ካብ ግብጺ ኣውጻእክዎም፡ ካብ ኢድ ግብጻውያንን ካብ ኢድ ኲሎም
ዜጨንቑኹም መንግስታትን ኣድሐንኩኹም፡ ይብል ኣሎ። 19 ሎሚ ግና ንስኻትኩም ነቲ ኻብ ኲሉ
መከራን ጸበባን ዜድሕነኩም ኣምላኽ ንዐቕኩምዎ፡ ንእኡ ኸኣ፡ ኣይፋልካ፡ ንጉስ ደኣ ኣንግሰልና፡
በልኩምዎ። እምበኣርሲ ሕጂ በብነገድኩም በብሽሕኩምን ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅረቡ፡ በሎም። 20
ሳሙኤል ከኣ ንኹሎም ንገዳት እስራኤል ኣቕረቦም፡ እቲ ዕጭ ድማ ኣብ ነገድ ብንያም በጽሔ። 21
ንነገድ ብንያም ከኣ በብዓሌቱ ኣቕረቦ፡ እቲ ዕጭ ድማ ኣብ ዓሌት ማትሪ በጽሐ፡ ኣብ ሳኦል ወዲ
ቂስውን በጽሔ። እንተ ደለይዎ ግና፡ ኣይተረኸበን። 22 መሊሶም ከኣ፡ እቲ ሰብኣይ ናብዚዶ መጺኡ ኣሎ፧
ኢሎም ንእግዚኣብሄር ሐተትዎ። እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ መንጎ ኣቓሑ ተሐቢኡ ኣሎ፡ ኢሉ
መለሰ። 23 ጐይዮም ከኣ ካብኡ ኣምጽእዎ፡ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ደው ምስ በለ ድማ፡ ንኹሉ እቲ
ህዝቢ ኻብ መንኲቡ ንላዕሊ ነውሐ። 24 ሳሙኤል ድማ ንኹሎም እቶም ህዝቢ፡ እቲ እግዚኣብሄር
ዝሐረዮ፡ ኣብ ኲሉ ህዝቢ፡ ኸምኡ ዝበለ ኸም ዜልቦ ርኢኹምዶ፧ በሎም። ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ፡
ንጉስ ህያው ይኹን፡ እናበሉ እልል በሉ። 25 ሽዑ ሳሙኤል ነቲ ህዝቢ ሕጋጋት መንግስቲ ነገሮ፡ ኣብ
መጽሓፍ ጽሒፉ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣንበሮ። ሳሙኤል ድማ ንብዘሎ እቲ ህዝቢ ንነፍሲ
ወከፍ ነናብ ቤቱ ሰደዶ። 26 ሳኦልውን ናብ ቤቱ ናብ ጊብዓ ኸደ፡ ኣምላኽ ልቦም ዘንቀሐ ጀጋኑ ኸኣ
ምስኡ ኸዱ። 27 እቶም ደቂ ብልያል ግና፡ እዚ ደኣ ኸመይ ገይሩ ኼድሕነና እዩ፡ ኢሎም ነዐቕዎ እሞ፡
ገጽ በረኸት ኣይሀብዎን። ንሱ ግና ከም ዘይሰምዔ ኾነ።

# ምዕራፍ 11

1 ናሓሽ ዓሞናዊ ድማ ደዪቡ ንያቤስጊልዓድ ከበባ። ኲሎም ሰብ ያቤስ ከኣ ንናሓሽ፡ ክንግዝኣካስ ኪዳን
እተወልና፡ በልዎ። 2 ናሓሽ እቲ ዓሞናዊ ኸኣ፡ የማነይቲ ዓይኒ ኲልኹም ብምንቋር፡ በዚ ኸኣ ኣብ ብዘሎ
እስራኤል ነውሪ ኽገብር፡ በዚ እየ ምሳኻትኩም ኪዳን ዝኣቱ፡ በሎም። 3 እቶም ዓበይቲ ያቤስ ከኣ፡ ናብ
ብዘላ ምድሪ እስራኤል ልኡኻት ክንሰድድሲ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ኣቋጽረና፡ ዜድሕነና ዜልቦ እንተ ኾነ
ኸኣ፡ ሽዑ ናባኻ ንወጽእ፡ በልዎ። 4 እቶም ልኡኻት ድማ ናብታ ናይ ሳኦል ጊብዓ መጹ፡ እዚ ቓላት እዚ
ድማ ኣብ ኣእዛን እቲ ህዝቢ ተዛረቡ። ኲሎም እቶም ህዝቢ ኸኣ ድምጾም ዓው ኣቢሎም በኸዩ። 5 እንሆ
ድማ፡ ሳኦል ደድሕሪ ኣብዑር ካብ መሮር ይኣቱ ነበረ። ሳኦል ከኣ፡ እዚ ህዝቢ ዚበኪ ዘሎ እንታይ ከይኑ

እዩ፧ በለ። ንሳቶም ድማ እቲ ዘረባ ሰብ ያቤስ ነገርዎ። 6 ሳኦል ድማ እዚ ነገር እዚ ምስሰምዔ፡ መንፈስ
ኣምላኽ ወረዶ፡ ኵራኡ ኸኣ ኣዝዩ ነደደ። 7 ጽምዲ ብዕራይ ወሲዱ ድማ ቈራሪጹ፡ እቲ ወጺኡ ደድሕሪ
ሳኦልን ደድሕሪ ሳሙኤልን ዘይስዕብ፡ ኣብዑሩ ኸምዚ ኺግበሩ እዩ። ኢሉ ብኢድ ልኣኽት ገይሩ ናብ
ብዘሎ ምድሪ እስራኤል ሰደዶ። ሽዑ ፍርሃት እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ እቶም ህዝቢ ወደቐ፡ ከም ሓደ
ሰብ ኰይኖም ከኣ ወጹ። 8 ኣብ ቤዜቅ ከኣ ቈጸሮም እሞ ደቂ እስራኤል ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ፡ ይሁዳ ኸኣ
ሰላሳ ሽሕ ኰኑ። 9 ነቶም ዝመጹ ልኡኻት ድማ በልዎም፡ ንሰብ ያቤስጊልዓድ፡ ጽባሕ በርቂ ጸሓይ
ምድሓን ክትረኽቡ ኢኹም፡ ኢልኩም በልዎም። እቶም ልኡኻት ድማ መጺኦም ንሰብ ያቤስ ነገርዎም፡
ንሳቶም ከአ ተሐጒሱ። 10 እቶም ሰብ ያቤስ ከኣ፡ ጽባሕ ክንወጻልኩም ኢና፡ ሽዑ ኸምቲ ጽቡቕ ኰይኑ
እተራእየኩም ግበሩና፡ በሉ። 11 ኰነ ድማ፡ ንጽብሒቱ ሳኦል ነቲ ህዝቢ ኣብ ሰለስተ ጭፍራ መቐሎ፡
ብጊዜ ሓለዋ ወጋሕታ ኸኣ ናብቲ ሰፈር አትዮም መዓልቲ ኽሳዕ ዚድህር ንዓሞናውያን ቀተልዎም። ኰነ
ኸኣ፡ እቶም ካባታቶም ዝተረፉ ኽልተ እኳ ብሓደ ኾይኖም ከይተረፉ ፋሕ በሉ። 12 ሽዑ እቲ ህዝቢ
ንሳሙኤል፡ እቲ ሳኦልዶ ኣብ ልዕሌና ኺነግስ እዩ፡ ዝበለ መን እዩ፡ ነቶም ሰባት እቲኣቶም ክንቀትሎም
ኣምጽእዎም፡ በለ። 13 ሳኦል ግና፡ እግዚኣብሄር ሎሚ ኣብ እስራኤል ምድሓን ገይሩ እዩ እሞ፡ በዛ
መዓልቲ እዚኣ ሰብ ኣይመውትን፡ በለ። 14 ሳሙኤል ድማ ነቲ ህዝቢ፡ ንዑ፡ ናብ ጊልጋል ንኺድ፡ ኣብኡ
ኸኣ ነቲ መንግስቲ ንሐድሶ፡ በሎ። 15 ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ድማ ናብ ጊልጋል ከዱ፡ ኣብኣ ኸኣ ንሳኦል
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ጊልጋል ኣንገስዎ፡ ኣብኣ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ምስጋና
ሰውኡ። ኣብኣ ኸኣ ሳኦልን ኵሎም ሰባት እስራኤልን ብዙሕ ተሐጒሱ።

## ምዕራፍ 12

1 ሳሙኤል ድማ ንብዘለዉ እስራኤል በሎም፡ እንሆ፡ ኵሉ እቲ ዝበልኩምኒ ቓልኩም ሰሚዔ፡ ኣብ
ልዕሌኹም ንጉስ ኣንገስኩ። 2 ሕጂ ኸኣ፡ እቲ ቐቅድሜኹም ዚኸይድ ንጉስ እንሆ፡ ኣነ ድማ ኣሪገ
ሸየብኩ፡ ደቀይ ከኣ እነዉ ምሳኻትኩም ኣለዉ። ኣነ ድማ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ኽሳዕ እዛ መዓልቲ
እዚኣ ቐቅድሜኹም እኸይድ ነበርኩ። 3 እነኹ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ኣብ ቅድሚ ቕቡኡን ብዛዕባይ
መስክሩ፡ ብዕራይ መን ወሰድኩ ወይ ኣድጊ መን ወሰድኩ፡ ወይስ ንመን ዐመጽኩ፡ ንመን ኣጥቃዕኩ፡
ዓይነይ ከዑረሉ ኢለኸ ኻብ ኢዱ መማለዲ እተቐበልክዎዶ ኣሎ፧ እሞ ኽመልሰልኩም። 4 ንሳቶም ከኣ፡
ኣይዐመጽካናን ኣየጥቃዕካናን ድማ፡ ካብ ኢድ ሰብውን ገለ እኳ ኣይወሰድካን፡ በሉ። 5 ንሱ ኸኣ፡ ኣብ
ኢደይ ገለ እኳ ኸም ዘይረኸብኩምለይሲ፡ በዛ መዓልቲ እዚኣ እግዚኣብሄር ምስክር እዩ፡ ቅቡኡውን
ምስክር እዩ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ ምስክር እዩ በሉ። 6 ሳሙኤል ድማ ነቶም ህዝቢ በሎም፡ እቲ
ንሙሴን ንኣሮንን ዝገበሮም ነቦታትኩም ከኣ ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቦም እግዚኣብሄር ንሱ እዩ። 7
እምበኣር ሕጂስ ብዛዕባ እቲ እግዚኣብሄር ንኣኻትኩምን ነቦታትኩን ዝገበሮ ዅሉ ጻድቕ ግብርታቱ ኣነ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፋረደኩምሲ፡ ደው በሉ። 8 ያእቆብ ኣብ ግብጺ ምስ አተወ፡ ኣቦታትኩም
ድማ ናብ እግዚኣብሄር ምስ ተማህለሉ፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ንሙሴን ንኣሮንን ለአኾም፡ ንሳቶም ከኣ
ነቦታትኩም ካብ ግብጺ ኣውጽእዎም፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ድማ ኣቐመጥዎም። 9 ንሳቶም ግና
ንእግዚኣብሄር፡ ኣምላኾም ረስዕዎ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ኢድ ሲሰራ፡ ሓለቓ ሰራዊት ሓጾርን፡ ኣብ ኢድ
ፍልስጥኤማውያንን ኣብ ኢድ ንጉስ ሞኣብን ኣሕሊፉ ሀቦም፡ ንሳቶም ድማ ተዋግእዎም። 10 ሽዑ፡
ንእግዚኣብሄር ሐዲግናስ ንበዓሊምን ንኣስታርቴታትን ብምግልጋል በዲልና ኢና እሞ፡ ሕጂ ግና ካብ

ኢድ ጸላእትና ኣድሕነና፡ ንሕና ድማ ከነገልግለካ ኢና፡ ኢሎም ናብ እግዚኣብሄር ተማህለሉ። 11
እግዚኣብሄር ከኣ ንየሩብበዓልን በዳንን ይፍታሕን ሳሙኤልን ልኢኹ፡ ካብ ኢድ እቶም ኣብ ዙርያኹም
ዚነብሩ ዘለዉ ጸላእትኹም ኣድሓነኩም፡ ሀዲእኩም ድማ ተቐመጥኩም። 12 ናሓሽ ንጉስ ደቂ ዓሞን ከም
ዚመጸኩም ምስ ርኤኹም ከኣ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ንጉስኩም ክነሱስ፡ ኣይፋል፡ ንጉስ ደአ ኣብ
ልዕሌና ይንገስ፡ በልኩምኒ። 13 ሕጂ ኸአ እንሆ፡ እቲ ዝለመንኩምዎን ዝሐሬኹምዎን ንጉስ፡ እግዚኣብሄር
ድማ ኣብ ልዕሌኹም ንጉስ ሂቡኩም፡ እንሆ። 14 ንእግዚኣብሄር እንተ ትፈርህዎን እንተ ተገልግልዎን
ቃሉውን እንተ ትሰምዑ ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ከኣ እንተ ዘይኣቤኹምዎ፡ ንስኻትኩምን እቲ ኣብ
ልዕሌኹም ዚነግስ ንጉስን ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እንተ ስዒብኩምዎ ድማ ደሓን። 15 ግናኸ ንቓል
እግዚኣብሄር እንተ ዘይሰማዕኩም፡ ንትእዛዝ እግዚኣብሄርውን እንተ ኣቤኹምዎ፡ ሽዑ ኢድ እግዚኣብሄር
ከምቲ ነቦታትኩም እተጻረረት፡ ንኣኻትኩም ድማ ክትጻረረኩም እያ። 16 ሕጂ ኸኣ ደው ኢልኩም ነቲ
እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ዚገብሮ ዓብዪ ነገር ርአዩ። 17 ሎምስ ጊዜ ዓጺድ ስርናይዶ
ኣይኮነን፡ እቲ ንጉስ ብምልማንኩም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝገበርኩምዎ ኽፍኣት ዓብዪ ኸም ዝኾነ
ምእንቲ ኽትፈልጡን ክትርእዩንሲ፡ ንእግዚኣብሄር ክልምኖ እየ፡ ንሱ ኸኣ ነጒድን ዝናምን ኪሰድድ እዩ።
18 ሽዑ ሳሙኤል ንእግዚኣብሄር ለመኖ፡ እግዚኣብሄር ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ነጒድን ዝናምን ሰደደ፡
ኲሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ንእግዚኣብሄርን ንሳሙኤልን ኣዝዮም ፈርሁ። 19 ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ
ንሳሙኤል፡ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ሓጢኣትናስ፡ ንጉስ ብምልማንና እዚ ኽፉእ እዚ ድማ ወሲኽና ኢና እሞ፡
ምእንቲ ኽይንመውትሲ፡ ስለ ገላውኻ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ለምነልና፡ በልዎ። 20 ሳሙኤል ነቶም
ህዝቢ በሎም፡ ኣይትፍርሁ፡ ምግባርሲ እዚ ኹሉ ኽፉእ እዚ ንስኻትኩም ጌርኩምዎ ኢኹም፡ ግናኸ
ንእግዚኣብሄር ካብ ምስዓብ ኣይትዝበሉ፡ ብምሉእ ልብኹም ድአ ንእግዚኣብሄር ኣገልግልዎ። 21 ነቶም
ዘይጠቕሙን ዘየድሕኑን፡ ከንቱ ስለ ዝኾኑ፡ ምስዓቦም ከንቱ እዩ እሞ፡ ኣይተግልሱ። 22 እግዚኣብሄር
ህዝቡ ኺገብረኩም ፈትዩ እዩ እሞ፡ ስለዚ እግዚኣብሄር ምእንቲ እቲ ዓብዪ ስሙ ኢሉ ንህዝቡ
ኣይሐድጎን እዩ። 23 ኣነስ እታ ጽብቕትን ቅንዕትን መገዲ እባ ደአ ኽምህረኩም እየ እምበር፡ ምእንታኹም
ምልማን ብምሕዳገይ ንእግዚኣብሄር ምብዳልሲ ኻባይ ይርሐቕ። 24 እቲ ንኣኻትኩም ዝገበሮ ዓብዪ ነገር
ርአዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ጥራይ ፍርሁ፡ ብምሉእ ልብኹም ኣሚንኩም ከኣ ኣገልግልዎ። 25 ቀጺልኩም
ክፉእ እንተ ገበርኩም ግና፡ ንስኻትኩምን ንጉስኩምን ክትጠፍኡ ኢኹም።

# ምዕራፍ 13

1 ሳኦል ሓደ ዓመት ነገሰ። ክልተ ዓመት ኣብ ልዕሊ እስራኤል ምስ ነገሰ ድማ፡ 2 ሳኦል ካብ እስራኤል
ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይ ሐረየ፡ ክልተ ሽሕ ምስ ሳኦል ኣብ ሚኽማሽን ኣብ ከረን ቤትኤልን ነበሩ፡ ሓደ ሽሕ
ከኣ ምስ ዮናታን ኣብ ጊብዓ ናይ ብንያም ነበሩ። ነቲ ዝተረፈ ህዝቢ ግና ንነፍሲ ወከፍ ነናብ ድንኳኑ
ሰደዶ። 3 ዮናታን ድማ ነቲ ኣብ ጌባዕ ዝነበረ ጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ወቕዖ፡ ፍልስጥኤማውያን ከኣ
እዚ ሰምዑ። ሳኦል ድማ፡ እብራውያን ይስምዑ፡ ኢሉ ኣብ ብሃገሩ መለኸት ነፍሐ። 4 ብዘለዉ እስራኤል
ከኣ፡ ሳኦል ንጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ወቒዕዎም፡ እስራኤል ድማ ብፍልስጥኤማውያን ተፈንፊኑ እዩ፡
ኪብሉ ሰምዑ። እቶም ህዝቢ ኸኣ ንሳኦል ኪስዕቡ ናብ ጊልጋል ተኣከቡ። 5 ፍልስጥኤማውያን ድማ ሰላሳ
ሽሕ ሰረገላ፡ ሹድሽተ ሽሕ ከአ ፈረሰኛ፡ ህዝቢ ድማ ከምቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻ ዝምብዛሖም
ኰይኖም፡ ምስ እስራኤል ኪዋግኡ ተኣከቡ። ደዩቦም ድማ ኣብታ ኣብ ምብራቕ ቤትኣዌን ዘላ ሚኽማሽ

ሰፈሩ። 6 እቶም ሰብ እስራኤል ከኣ፡ እቲ ህዝቢ ጸቢብዎ ነበረ እሞ ከም ዝጸበቦ ምስ ረአዩ፡ እቶም ህዝቢ
ናብ በዓትታትን ናብ ኣድዋርን ናብ ኣኻውሕን ናብ ግምብታትን ናብ ጕዳጕድን ተሐብኡ። 7 ገሊኦም
እብራውያን ከኣ ንዮርዳኖስ ተሳጊሮም ናብ ምድሪ ጋድን ጊልዓድን ከዱ። ሳኦል ድማ ገና ኣብ ጊልጋል
ነበረ፡ ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ እናንቀጥቀጡ ሰዐብዎ። 8 ከምታ ሳሙኤል ዝመደባ ጊዜ ሾብዓተ
መዓልቲ ተጸበየ፡ ሳሙኤል ግና ናብ ጊልጋል ኣይመጸን፡ እቲ ህዝቢ ድማ ካብኡ ፋሕ በለ። 9 ሽዑ ሳኦል፡
ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣቕርቡለይ፡ በለ። ዚሐርር መስዋእቲ ኸኣ ሰውኤ። 10 ኰነ
ድማ፡ ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕሪጉ ምስ ፈጸመ፡ እንሆ፡ ሳሙኤል መጸ፡ ሳኦል ከኣ ሰላም ኪብሎ ኢሉ፡
ኪቕበሎ ወጸ። 11 ሳሙኤል ድማ፡ እንታይ ግብሩ ገበርካ፧ በሎ። ሳኦል ከኣ እቲ ህዝቢ ኻባይ ፋሕ ከም
ዝበለ፡ ንስኻ ድማ በተን እተመደባ መዓልትታት ከም ዘይመጻእካ፡ ፍልስጥኤማውያንውን ኣብ ሚኽማሽ
ከም እተአከቡ ርኤኹ እሞ፡ 12 ስለዚ ገና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከይጸለኹ ኸሎኹ፡
ፍልስጥኤማውያን ናባይ ናብ ጊልጋል ሕጂ ኺውርዱ እዮም ኢለ ደፊረ ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረግኩ፡
በለ። 13 ሳሙኤል ድማ ንሳኦል በሎ፡ ዐሺኻ፡ እቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ዝኣዘዘካ ትእዛዝ ኣይሐሎኻን።
እንተ ዘይኮነስ፡ ሕጂ እግዚኣብሄር ንመንግስትኻ ኣብ እስራኤል ንሓዋሩ መጽንዓልካ ነይሩ። 14 ሕጂ ግና
እቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘካ ኣይሐሎኻን እሞ፡ መንግስትኻ ኣይትቕውምን እያ። እግዚኣብሄር ከም ልቡ
ዝበለ ሰብኣይ ደልዩስ፡ ንእኡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ህዝቡ ሹም ገበሮ። 15 ሳሙኤል ድማ ካብ ጊልጋል
ተንሲኡ ናብ ጊብዓ ናይ ብንያም ደየበ። ሳኦል ከኣ ነቶም ምስኡ ዘለዉ ህዝቢ፡ ኣስታት ሹድሽተ ሚእቲ
ሰብኣይ ቈጸሮም። 16 ሳኦልን ዮናታን ወዱን እቲ ምሳታቶም ዘሎ ህዝብን ድማ ኣብ ጊብዓ ናይ ብንያም
ተቐሚጦም ነበሩ። ፍልስጥኤማውያን ግና ኣብ ሚኽማሽ ሰፈሩ። 17 ካብቲ ሰፈር ፍልስጥኤማውያን ከአ
ወረርቲ ብሰለስተ ኽፍሊ ኰይኖም ወጹ፡ እቲ ሓደ ኽፍሊ ብመገዲ ዖፍራ ናብ ምድሪ ሹዓል ኣበለ። 18
እቲ ሓደ ኽፍሊ ኸኣ ብመገዲ ቤትሖሮን ኣበለ፡ እቲ ሓደ ኽፍሊውን ብመገዲ እቲ ኣብ ለሰ ጸቦዒም
ዚርኢ ዶብ፡ ብሸነኽ በረኻ ኣበለ። 19 ፍልስጥኤማውያን ድማ፡ እብራውያን ሴፍ ወይ ኲናት ኣይስርሑ፡
ኢሎም ነበሩ እሞ፡ ኣብ ብዘሎ ሃገር እስራኤል ቀጥቃጥ ሓጺን ኣይነበረን። 20-21 ስለዚ ብልሒ መዓጺድን
መባሮታትን ሰለስተ ዝጨንፈሩ መስኤታትን ማሕጼታትን ምስ ጕደመ፡ ሓንካሾታት ከኣ ንምቕናዕ፡
ኲላቶም እስራኤል ነፍሲ ወከፍ ማሕረሻኡን መባሮኡን ማሕጼኡን ማዕጺዱን ኬትብዕ ኢሉ ናብ
ፍልስጥኤማውያን ይወርድ ነበረ። 22 ኰነ ኸኣ፡ ብመዓልቲ ውግእ ኣብ ኢድ ኲሉ እቲ ምስ ሳኦልን ምስ
ዮናታንን ዝነበረ ህዝቢ ሴፍ ወይ ኲናት ኣይተረኽበን፡ ምስ ሳኦልን ምስ ዮናታን ወዱን ግና ተረኽበ። 23
ሓደ ጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ከኣ ናብቲ መሳገሪ ሚኽማሽ ወጸ።

# ምዕራፍ 14

1 ሓደ መዓልቲ ኸኣ ኰነ፡ ዮናታን ወዲ ሳኦል ነቲ መንእሰይ ጋሻ ዛግሬኡ፡ ንዓናይ፡ ናብቲ ኣብ ስግር ዘሎ
ጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ንሳገር፡ በሎ። ነቦኡ ግና ኣይነገሮን። 2 ሳኦል ከኣ ኣብ ወሰን ጊብዓ ኣብ ትሕቲ
እታ ኣብ ሚግሮን ዘላ ሮማን ተቐሚጡ ነበረ፡ እቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝቢ ኸኣ ኣስታት ሹድሽተ ሚእቲ
ሰብ ነበረ። 3 ኣሒያ ወዲ ኣሒጡብ፡ ሓው ኢካቦድ፡ ወዲ ፊንሃስ ወዲ ኤሊ፡ እቲ ኣብ ሺሎ ኻህን
እግዚኣብሄር ዝነበረ፡ ኤፎድ ጾይሩ ነበረ። እቲ ህዝቢ ኸኣ ዮናታን ከም ዝኸደ ኣይፈለጥን ነበረ። 4 በታ
ዮናታን ናብ ጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ኪሳገረላ ዝደለየ መሳገሪ ድማ ነቲ መሳገሪ ብሓደ ሸነኹ ጨላቕ
ከውሒ፡ ነቲ መሳገሪ ብኻልኣይ ሸነኹ ኸኣ ጨላቕ ከውሒ ነበረ፡ ስም እቲ ሓደ ቦጼጽ፡ ስም እቲ

ኻልኣይ ድማ ሴኔህ ነበረ። 5 እቲ ሓደ ጨላቕ ብወገን ሰሜን ኣብ መንጽር ሚኽማሽ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ
ብወገን ደቡብ ኣብ መንጽር ጌባዕ ቈይሞም ነበሩ። 6 ዮናታን ድማ ነቲ መንእሰይ ጋሻ ዛግሬኡ፡
እግዚኣብሄር ብብዙሓት ኰነ ወይ ብሒዶት ገይሩ ምድሓን ዚኽልክሎ የልቦን እሞ፡ ምናልባሽ
እግዚኣብሄር ገለ ይገብረልና ይኸውን፡ ንዓናይ፡ ናብ ጭፍራ እዞም ዘይግዙራት እዚኣቶም ንሳገር፡ በሎ።
7 እቲ ጋሻ ዛግሬኡ ድማ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎ ዘበለ ግበር፡ ንስኻ ኺድ፡ ኣነ ኸኣ እኔኹ፡ ከም ድላይ ልብኻ
ምሳኻ እየ፡ በሎ። 8 ሽዑ ዮናታን፡ እንሆ፡ ንሕና ናብቶም ሰባት ንሳገር፡ ንርአዮም ከኣ። 9 ንሳቶም፡ ክሳዕ
እንመጸኩም ጽንሑ እንተ በሉና፡ ንሕና ኣብ ዘሎናዮ ንጽናሕ፡ ናባታቶም ኣይንደይብ። 10 ናባና ደይቡ፡
እንተ በሉና ግና፡ እዚ ንኣና ምልክት እዩ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ኢድና ሂቡና እዩ እሞ ንደይቦም፡ በለ። 11
ክልቲኦም ድማ ነቶም ጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ተራእዮምም። ፍልስጥኤማውያን ከኣ፡ እንሆ፡
እብራውያን ካብቲ ተሐቢኦምዎ ዝነበሩ ጐዳጕዲ ይወጹ ኣለዉ፡ በሉ። 12 እቶም ናይቲ ጭፍራ ሰባት
ድማ ንዮናታንን ነቲ ጋሻ ዛግሬኡን፡ ሓደ ነገር ከነፍልጠኩምሲ ናባና ደይቡ፡ ኢሎም መለሱሎም።
ዮናታን ከኣ ነቲ ጋሻ ዛግሬኡ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ኢድ እስራኤል ኣሕሊፉ ሂብዎም እዩ እሞ፡ ደድሕረይ
ደይብ፡ በሎ። 13 ዮናታን ድማ በእዳዉን በእጋሩን እናተቛናጠጠ ደየበ፡ እቲ ጋሻ ዛግሬኡውን ደድሕሪኡ
ሰዐቦ። ኣብ ቅድሚ ዮናታን ከኣ ወደቑ፡ እቲ ጋሻ ዛግሬኡውን ደድሕሪኡ ኈይኑ ይቐትሎም ነበረ። 14
በቲ ዮናታንን ጋሻ ዛግሬኡን ኰይኖም ኣተዋግኡሉ ቐዳማይ ውግእ መዓል ጽምዲ ኣብ እትኣክል ቃድራ
ኣስታት ዕስራ ሰብኣይ ቀተሉ። 15 ሽዑ ኣብ ሰፈርን ኣብ መሮርን ኣብ ብዘሎ ህዝብን ምሽባር ኰነ፡ እቶም
ጭፍራን እቶም ወረርትን ንሳቶም ከኣ ተሸበሩ። ካብ ኣምላኽ ፍርሃት ኰነ፡ እታ ሃገር ድማ
ኣንቀጥቀጠት። 16 እቶም ኣብ ጊብዓ ናይ ብንያም ዝነበሩ ዘብዔኛታት ሳኦል ከኣ ጠመቱ፡ እንሆ ድማ፡
እቲ ሰራዊት ፋሕ ኢሉ ናብዝን ናብትን ከደ። 17 ሽዑ ሳኦል ነቶም ምስኡ ዘለዉ ህዝቢ፡ ቈጺርኩም ካባና
መን ከም ዝኸደ ርአዩ፡ በሎም። ንሳቶም ምስ ቈጸሩ ኸኣ፡ እንሆ፡ ዮናታንን ጋሻ ዛግሬኡን ኣይነበሩን። 18
በታ መዓልቲ እቲኣ ታቦት ኣምላኽ ምስ ደቂ እስራኤል ነበረ እሞ፡ ሳኦል ድማ ንኣሒያ፡ ታቦት ኣምላኽ
ናብዚ ኣምጽእ፡ በሎ። 19 ኰነ ኸኣ፡ ሳኦል ምስቲ ኻህን ኪዛረብ ከሎ፡ እቲ ኣብ ሰፈር ፍልስጥኤማውያን
ዝነበረ ታዕታዕ ኣዝዩ እናበርትዔ ኸደ። ሳኦል ድማ ነቲ ኻህን፡ ኢድካ ምለስ፡ በሎ። 20 ሳኦልን እቲ ምስኡ
ዝነበረ ዅሉ ህዝብን ከኣ ተኣኪቦም ክሳዕ ናብቲ ውግእ ኣተዉ። እንሆ ድማ፡ ሴፍ ነፍሲ ወከፍ ናብ
ብጻዩ ኰነ፡ ኣዝዩ ብርቱዕ ዕግርግር ከኣ ኰነ። 21 እቶም ቅድም ምስ ፍልስጥኤማውያን ዝነበሩ እሞ
ካብቲ ኸባቢ ምሳታቶም ናብቲ ሰፈር ዝደየቡ እብራውያን፡ ንሳቶምውን ምስቶም ምስ ሳኦልን ዮናታንን
ዝነበሩ እስራኤላውያን ኪኾኑ ተመልሱ። 22 እቶም ኣብ ከረን ኤፍሬም ተሐቢኦም ዝነበሩ ዅሎም ሰብ
እስራኤል ድማ፡ ፍልስጥኤማውያን ከም ዝሀደሙ ምስ ሰምዑ፡ ንሳቶም ከኣ ደድሕሪኦም ናብቲ ውግእ
ሰዐቡ። 23 እግዚኣብሄር ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ንእስራኤል ኣድሐኖ። እቲ ውግእ ከኣ ንቤትኣዌን
ሐሊፉ ነበረ። 24 በታ መዓልቲ እቲኣ እቶም ሰብ እስራኤል፡ ላህሊሆም ነበሩ፡ ሳኦል ግና ነቶም ህዝቢ፡
ንጻላእተይ ሕነ ኽሳዕ ዝፈዲ፡ ክሳዕ ምሸት እንጌራ ዚበልዕ ሰብ ርጉም ይኹን፡ ኢሉ ረገሞም። ኵሉ
ህዝቢ ኸኣ እንጌራ ኣይጠዐመን። 25 ኵሉ ህዝቢ እታ ሃገር ድማ ናብ ዱር መጸ፡ መዓር ከኣ ኣብ ልዕሊ
ምድሪ ነበረ። 26 እቲ ህዝቢ ናብቲ ዱር ምስ መጸ ድማ፡ እንሆ፡ እቲ መዓር ይውሕዝ ነበረ፡ እቲ ህዝቢ
ግና፡ ነቲ መርገም ስለ ዝፈርሄ፡ ኢዱ ናብ ኣፉ ዘቕረበ የልቦን። 27 ዮናታን ግና ኣቦኡ ነቲ ህዝቢ ኺምሕሎ
ኽሎ ኣይሰምዔን ነበረ እሞ፡ ጫፍ እታ ኣብ ኢዱ ዘላ በትሪ ሰዲዱ ኣብቲ ጕጎ መዓር ጠምዔ፡ ኢዱ ኸኣ
ናብ ኣፉ መለሰ፡ ኣዒንቱ ድማ በርሃ። 28 ሽዑ ኻብቶም ህዝቢ ሓደ ሰብኣይ፡ ኣቦኻ፡ ሎሚ እንጌራ ዚበልዕ
ርጉም ይኹን፡ ኢሉ ንህዝቢ ኣጽኒዑ ኣምሒሉ እዩ፡ ኢሉ መለሰ። እቲ ህዝቢ ኸኣ ደኺሙ ነበረ። 29 ሽዑ

ዮናታን፡ ኣቦይ ነዛ ሃገር ጐድኣ። ካብዚ መዓር እዚ ሒደት ስለ ዝጠዐምኩ፡ ኣዒንተይ ከም ዝበርሃ፡
በጃኹም ርኣዩ፡ 30 እዚ ህዝቢ ሎሚ ኻብዚ ዝረኸቦ ምርኮ ጸላእቱ ኣጸቢቑ እንተ ዚበልዕ ደኣ ኸንደይ
ምጸበቐ ነይሩ፡ ሕጂ እቲ ስዕረት ኣብ ፍልስጥኤማውያንዶ ኣይምዐበየን፡ በለ። 31 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ
ንፍልስጥኤማውያን ካብ ሚኽማሽ ክሳዕ ኣያሎን ሰዐርዎም። እቲ ህዝቢ ኸኣ እምብዛ ደኸመ። 32 እቶም
ህዝቢ ድማ ናብ ምርኮ ጐይዮም ኣባጊዕን ኣሓን ምራኹትን ወሲዶም ኣብ ምድሪ ሐረዱ፡ እቲ ህዝቢ
ድማ ምስ ደሙ በልዖ። 33 ሽዑ፡ እቲ ህዝቢ ምስ ደሙ ብምብላዑ፡ እንሆ፡ ንእግዚኣብሄር ይብድሎ ኣሎ፡
ኢሎም ንሳኡል ነገርዎ። ንሱ ኸኣ፡ ከዲዕኩም በደልኩም፡ ሕጂ ዓብዪ እምኒ ኣንካራሪኹም ኣምጽኡለይ፡
በለ። 34 ሳኡል ድማ፡ ኣብቲ ህዝቢ ፋሕ ኢልኩም፡ ነፍሲ ወከፍ ብዕራዩን በጊዑን ናባይ የምጽእ፡ ኣብዚ
ኸኣ ሐሪድኩም ብልዑ፡ ምስ ደሙ ብምብላዕኩም ከኣ ንእግዚኣብሄር ኣይትበድሉ በልዎም፡ በለ። ኵሉ
እቲ ህዝቢ ድማ በታ ለይቲ እቲኣ ነፍሲ ወከፍ ብዕራዩ ብኢዱ ኣምጽኤ፡ ኣብኡ ኸኣ ሐረድዎም። 35
ሳኡል ድማ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር ዝሰርሓሉ ቐዳማይ መሰውኢ ንሱ እዩ።
36 ሳኡል ከኣ፡ ብለይቲ ደድሕሪ ፍልስጥኤማውያን ንውረድ፡ ክሳዕ ዚወግሕ ንዝመቶም፡ ሓደ ሰብ እኳ
ኣይነትርፈሎም፡ በሉ። ንሳቶም ድማ፡ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእየካ ዅሉ ግበር፡ በሉ። እቲ ኻህን ግና፡
ናብዚ ናብ ኣምላኽ ንቕረብ፡ በለ። 37 ሽዑ ሳኡል፡ ደድሕሪ ፍልስጥኤማውያንዶ ኽወርድ፡ ኣብ ኢድ
እስራኤልዶ ኽ ኣሕሊፍካ ኽትህቦም ኢኻ፡ ኢሉ ንኣምላኽ ሐተቶ። በታ መዓልቲ እቲኣ ግና
ኣይመለሰሉን። 38 ሳኡል ከኣ፡ ኣቱም ሓላቑ ህዝቢ ኵልኹም ናብዚ ቕረቡ፡ እዚ ናይ ሎሚ ሓጢኣት
ብምንታይ ከም ዝኾነ ድማ ፍለጡን ርአዩን። 39 እቲ በደል ብወደይ ዮናታን እኳ እንተ ኾነ እተገብረ፡
እቲ ንእስራኤል ዜድሕን እግዚኣብሄር ህያው ከም ዝኾነ፡ ርግጽ ኪመውት እዩ፡ በለ። ግናኸ ካብ ኵሉ
እቲ ህዝቢ ሓደ እኳ ኣይመለሰሉን። 40 ሽዑ ንሱ ብዘለዉ እስራኤል፡ ንስኻትኩም ብሓደ ወገን ኩኑ፡ ኣነን
ወደይ ዮናታንን ድማ ብሓደ ወገን ክንከውን ኢና፡ በሎም። እቶም ህዝቢ ኸኣ ንሳኡል፡ እቲ ጽቡቕ
ኰይኑ እተራእየካ ግበር፡ በልዎ። 41 ሳኡል ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ነቲ ሓቂ ግለጾ፡ በሎ።
ሽዑ ዮናታንን ሳኡልን ብዕጭ ተወስዱ፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ ሓራ ወጹ። 42 ሳኡል ድማ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ
መንጎ ወደይ ዮናታንን ዕጭ ኣውድቑ፡ በለ። ዮናታን ከኣ ተወስደ። 43 ሳኡል ድማ ንዮናታን፡ እቲ
ዝገበርካዮ ንገረኒ፡ በሎ። ሽዑ ዮናታን፡ ምጥዓምሲ ብጫፍ እታ ኣብ ኢደይ ዝነበረት በትሪ ሒደት
መዓር ጥዒመ ነይረ፡ እኔኹ እሙት፡ ኢሉ ነገሮ። 44 ሳኡል ድማ፡ ዎ ዮናታን፡ ኣምላኽ ከምዚ ይግበረኒ፡
ከምዚውን ይወስኸኒ፡ ሞት ክትመውት ኢኻ፡ በለ። 45 እቶም ህዝቢ ግና ንሳኡል፡ ዮናታን ሎሚ መዓልቲ
ምስ ኣምላኽ ዐይዩ እዩ እሞ፡ እዚ ዓብዪ ምድሓን እዚ ኣብ እስራኤል ዝገበረዶ ኺመውት እዩ፡ ያእ
የርሕቆ። ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ ካብ ጸጒሪ ርእሱ ሓንቲ እኳ ኣብ ምድሪ ኣይትወድቕን፡ በልዎ፡ እቶም
ህዝቢ ኸኣ ንዮናታን ከይመውት ኣድሐንዎ። 46 ሳኡል ድማ ንፍልስጥኤምውያን ካብ ምስዓብ ተመልሰ።
ፍልስጥኤማውያን ናብ ቦታኦም ከዱ። 47 ሳኡል ኣብ ልዕሊ እስራኤል መንግስቲ ምስ ሐዘ ድማ፡ ምስቶም
ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ዅሎም ጸላእቱ፡ ምስ ሞኣብን ምስ ደቂ ዓሞንን ምስ ኤዶምን ምስ ነገስታት ጾባን
ምስ ፍልስጥኤማውያንን ተዋግኤ፡ ገጹ ኣብ ዝመለሰሉ ዘበለ ኸአ ሰዐረ። 48 በርቲዑ ድማ
ንኣማሌቃውያን ሰዐሮም፡ ንእስራኤልውን ካብ ኢድ እቶም ዘመትቱ ኣድሐኖ። 49 ደቂ ሳኡል ድማ
ዮናታንን ይስዊን ማልኪሹዓን ነበሩ። ስም እተን ክልተ ኣዋልዱ ኸኣ፡ ስም እታ በዅሪ ሜራብ፡ ስም እታ
ንእሽቶ ድማ ሚካል እዩ። 50 ስም ሰበይቲ ሳኡል ከአ ኣሒኖኣም እዩ፡ ንሳ ጓል ኣሒማዓጽ እያ። ስም
ሓለቓ ሰራዊቱ ኸኣ ኣብኔር እዩ፡ ንሱ ወዲ ኔር ሓወቦ ሳኡል ነበረ። 51 ቂስ ኣቦ ሳኡልን፡ ኔር ኣቦ ኣብኔርን
ድማ ደቂ ኣቢኤል እዮም። 52 ብዅሉ ዘበን ሳኡል ከኣ ምስ ፍልስጥኤማውያን ብርቱዕ ውግእ ነበረ። ሳኡል

ድማ ጅግና ሰብ ወይ ተዋጋኢ ሰብ እንተ ረአየ፡ ምስኡ ይወስዶ ነበረ።

# ምዕራፍ 15

1 ሳሙኤል ድማ ንሳኦል፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቡ እስራኤል ንጉስ ክትከውን፡ ክቐብኣካ እግዚኣብሄር ንኣይ
ለኣኸኒ። ሕጂ ኸኣ ነቲ ደሃይ ቃል እግዚኣብሄር ስማዕ። 2 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ንእስራኤል፡ ካብ ግብጺ ኺድይብ ከሎ፡ እቲ ኣማሌቅ ኣብ መገዲ ጸኒሑ ዝገበሮ ዘኪረዮ ኣሎኹ። 3
ሕጂ ኺድ እሞ ንኣማሌቅ ተዋግኣዮ፡ ዘለዎ ዘበለ ዅሉ ድማ ፈጺምካ ኣጥፍኣዮ፡ ኣይትንሓፎ፡ ግናኸ
ካብ ሰብኣይ ክሳዕ ሰበይቲ፡ ካብ ቈልዓ ኽሳዕ ሕጻን፡ ካብ ብዕራይ ክሳዕ በጊዕ፡ ካብ ገመል ክሳዕ ኣድጊ
ቕተል። 4 ሽዑ ሳኦል ነቶም ህዝቢ ኣኸቲቱ ኣብ ጥላኢም ቈጸሮም፡ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ኣጋር፡ ሰብ ይሁዳ
ኸኣ ዓሰርተ ሽሕ ኰኑ። 5 ሳኦል ድማ ናብ ከተማ ኣማሌቅ መጸ፡ ኣብ ለሰ ኸኣ ድብቕ ገበረ። 6 ሳኦል ድማ
ንቄናውያን፡ ንስኻ ንዅሎም ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ኺድይቡ ኸለዉ፡ ምሕረት ጌርካሎም ኢኻ
እሞ፡ ምሳታቶም ከየጥፍኣኩምሲ ኺዱ፡ ካብ ማእከል ኣማሌቃውያን ተፈሊኹም ውረዱ፡ በሎም።
ቄናውያን ከኣ ካብ ማእከል ኣማሌቃውያን ኣግለሱ። 7 ሳኦል ድማ ንኣማሌቃውያን ካብ ሓዊላ ኽሳዕ እታ
ኣብ መንጽር ግብጺ ዘላ ሹር ሰዐሮም። 8 ንኣጋግ ንጉስ ኣማሌቃውያን ከኣ ብህይወቱ ሓዞ፡ ንብዘሎ እቲ
ህዝቢውን ብስሕለት ሴፍ ፈጺሙ ኣጥፍአ። 9 ሳኦልን እቲ ህዝብን ግና ንኣጋግን ነተን ዝበለጸ ኣባጊዕን
ኣሓን ክልተ ወለድ ዘበላ እንስሳን ገነሽልን ጽቡቕ ዘበለ ዅሉን ኬጥፍእዎ ኣይፈተዉን እሞ፡ ነሐፍዎ፡
እቲ ንዑቕን ዘይጠቅምን እንስሳ ግና ፈጺሞም ኣጥፍእዎ። 10-11 ሽዑ፡ ሳኦል ካብ ምስዓበይ ተመሊሱ
ዘረባይ ስለ ዘይፈጸመ፡ ንእኡ ብምንጋሰይ እጠዐስ ኣሎኹ፡ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ሳሙኤል
መጸ። እዚ ንሳሙኤል ኣጕሃዮ እሞ፡ ለይቲ ብምልእታ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። 12 ሳሙኤል ድማ
ንሳኦል ንግሆ ኺራኸቦ ኢሉ፡ ኣንጊሁ ተንስኤ። ሽዑ ኸኣ ንሳሙኤል፡ ሳኦል ናብ ቀርሜሎስ መጺኡ ኣሎ፡
እንሆ ድማ፡ ንእኡ ዚኸውን ሓወልቲ ኣቚሙ፡ ዞይሩ ድማ ተሳጊሩ፡ ናብ ጊልጋል ከአ ወሪዱ ኣሎ፡
ኢሎም ነገርዎ። 13 ሳሙኤል ድማ ናብ ሳኦል መጸ። ሳኦል ከኣ፡ ንስኻ ብእግዚኣብሄር ብሩኽ ኩን፡ ኣነ
ቃል እግዚኣብሄር ፈጺመ እየ፡ በሎ። 14 ሳሙኤል ግና፡ እዚ ኣባጊዕ ቤዕ ኪብላን ኣሓ እምባሕ ኪብላን
ናቓኤን ብእዝነይ ዝሰምዖ ዘሎኹ ደአ እንታይ እዩ፧ በለ። 15 ሳኦል ድማ፡ እቶም ህዝቢ ኻብ
ኣማሌቃውያን ዘምጽእወን፡ ካብተን ኣባጊዕን ኣሓን ዝጸበቓ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምእንቲ
ኺስውእወን ኢሎም ዝነሐፍወን እየን፡ ነተን ዝተረፋ ግና ፈጺምና ኣጥፊእናየን ኢና፡ በለ። 16 ሽዑ
ሳሙኤል ንሳኦል፡ እግዚኣብሄር ሎሚ ለይቲ እተዛረበኒ ኽነግረካስ ጽናሕ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ተዛረብ፡
በሎ። 17 ሳሙኤል ድማ፡ ንስኻ ኣብ ዓይንኻ ንእሽቶ ኸሎኻ፡ ንስኻ ሓለቓ ነገዳት እስራኤልዶ
ኣይኰንካን፡ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ ክትከውን ቀብኣካ። 18 እግዚኣብሄር ከኣ፡
ኪድ፡ ነቶም ሓጥኣን፡ ንኣማሌቃውያን፡ ፈጺምካ ኣጥፍኣዮም፡ ክሳዕ ዚውድኡ ድማ ተዋግኣዮም፡ ኢሉ
ንመገዲ ሰደደካ። 19 ስለምንታይ ኢኻ ደሃይ እግዚኣብሄር ዘይሰማዕካ፧ ስለምንታይከ ናብቲ እተዘምተ
ተወርዊርካ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ዝገበርካ፧ በለ። 20 ሳኦል ድማ ንሳሙኤል፡ ደሃይ
እግዚኣብሄር ሰሚዔስ በታ እግዚኣብሄር ዝለአኸኒ መገዲ ኸይደ፡ ንኣጋግ ንጉስ ኣማሌቅ ኣምጺኤዮ
ኣሎኹ፡ ንኣማሌቃውያንውን ፈጺመ ኣጥፊኤዮም። 21 ግናኸ እቲ ህዝቢ ኻብተን እተዘምታ ኣባጊዕን
ኣሓን ካብቲ ሕሩም ዘዝጸበቐ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣብ ጊልጋል ኪስውኣሉ ኢሉ ወሰደን፡ በሎ። 22
ሳሙኤል ከኣ፡ ንእግዚኣብሄርሲ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ሕሩድን ከም ምስማዕ ደሃይ

እግዚኣብሄር ገይሩዶ የሐጉሶ እዩ፧ እንሆ፡ ምስማዕ ካብ መስዋእቲ፡ ጽን ምባል ድማ ካብ ስብሒ
ደዓውል ይበልጽ። 23 ዕልወትሲ ሓጢኣት ጥንቍልና እዩ፡ ሀልኽ ከኣ ምምላኽ ጣኦትን ትራፊምን እዩ።
ንቓል እግዚኣብሄር ስለ ዝነዐቕካዮ፡ ንሱ ኸኣ ከይትነግስ ነዐቕካ፡ በለ። 24 ሳኦል ድማ ንሳሙኤል፡ ነቶም
ህዝቢ ፈሪሄ ቃሎም ስለ እተኣዘዝኩ፡ ንትእዛዝ እግዚኣብሄርን ንዘረባኻን ሐሊፈ እየ እሞ፡ ሐጢእኩ። 25
ሕጂ ድማ በጃኻ ሓጢኣተይ ይቕረ በለለይ፡ ንእግዚኣብሄር ክሰግድ ከኣ ምሳይ ተመለስ፡ በሎ። 26
ሳሙኤል ንሳኦል፡ ቃል እግዚኣብሄር ስለ ዝነዐቕካ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ እስራኤል ከይትነግስ ንዒቑካ
እዩ እሞ፡ ምሳኻ ኣይምለስን እየ፡ በሎ። 27 ሳሙኤል ኪኸይድ ገጹ ምስ መለሰ፡ ንሱ ኸኣ ጫፍ ክዳኑ
ኣጽኒዑ ሐዘ እሞ፡ ተቐደ። 28 ሳሙኤል ድማ፡ እግዚኣብሄር ሎሚ መንግስቲ እስራኤል ካባኻ ቐዲዱ፡
ካባኻ ንዚሐይሽ ብጻይካ ሀቦ። 29 እቲ ጽንዓት እስራኤልሲ ከይጥዕስ ሰብ ኣይኮነን እሞ፡ ኣይሕሱን
ኣይጥዕስን ከኣ፡ በሎ። 30 ንሱ ድማ፡ ሓጢእኩ፡ ሕጂ በጃኻ ኣብ ቅድሚ ዓበይቲ ህዝበይን ኣብ ቅድሚ
እስራኤልን ኣኽብረኒ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኽሰግድሲ ምሳይ ተመለስ፡ በሎ። 31 ሽዑ ሳሙኤል
ደድሕሪ ሳኦል ተመለሰ፡ ሳኦል ከኣ ንእግዚኣብሄር ሰገደሉ። 32 ሳሙኤል ድማ፡ ንኣጋግ ንጉስ ኣማሌቅ
ኣምጽኡለይ፡ በለ። ኣጋግ ከኣ ተሐጒሱ ናብኡ መጸ። ኣጋግ ድማ፡ ምሪ ሞትሲ ርግጽ ሐሊፉ እዩ፡ በለ።
33 ሳሙኤል ከኣ፡ ሴፍካ ነንስቲ ውሉድ ዜብለን ከም ዝገበረተን፡ ከምኡ ኸኣ ኣዴኻ ኣብ መንጎ ኣንስቲ
ውሉድ ዜብላ ትኹን፡ በለ። ሳሙኤል ድማ ንኣጋግ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ጊልጋል ቈራረጾ። 34
ሳሙኤል ከኣ ናብ ራማ ኸደ፡ ሳኦልውን ናብ ቤቱ ናብ ጊብዓ ናይ ሳኦል ደየበ። 35 ሳሙኤል ብዛዕባ ሳኦል
ይጕሂ ነበረ እሞ፡ ሳሙኤል ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ መሊሱ ንሳኦል ኪርኢ ኢሉ ኣይከደን። እግዚኣብሄር
ድማ ንሳኦል ኣብ ልዕሊ እስራኤል ስለ ዘንገሶ ተጣዕሰ።

## ምዕራፍ 16

1 እግዚኣብሄር ድማ ንሳሙኤል፡ ኣነ ንሳኦል ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከይነግስ ንዒቐዮ ኸሎኹስ፡ ንስኻ
ኽሳዕ መኣዝከ ኢኻ ንሳኦል እተጕህየሉ፧ ናብ እሴይ ብዓል ቤትልሄም ክልእከካ፡ ኣብ መንጎ ደቁ ንጉስ
ዚኾነኒ ርእየ ኣሎኹ እሞ፡ ቀርንኻ ዘይቲ መሊእካስ ኪድ፡ በሎ። 2 ሳሙኤል ከኣ፡ ሳኦል እንተ ሰምዔ፡
ኪቐትለኒ እዩ፡ ከመይ ኢለ ክኸይድ፡ በለ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ኣርሒ ተማላእ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር
ክስውኣ ኢለ መጺእኩ፡ በል። 3 ንእሴይ ከኣ ናብቲ መስዋእቲ ጸውዓዮ፡ እቲ እትገብሮ ድማ ኣነ ኽነግረካ
እየ፡ ነቲ ዝብለካ ኸአ ቕብኣለይ፡ በለ። 4 ሳሙኤል ድማ እቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ ገበረ፡ ናብ ቤትልሄም
ከአ መጸ። እቶም ዓበይቲ እታ ኸተማ ድማ ራዕራዕ እናበሉ ተቐባበልዎ፡ ብሰላምዶ መጺእካ፧ ከኣ በሉ።
5 ንሱ ድማ፡ ብሰላም እየ፡ ንእግዚኣብሄር ክስውእ ደአ መጺኤ፡ ተቐደሱ፡ ምሳይውን ናብቲ መስዋእቲ
ምጹ፡ በለ። ሽዑ ንእሴይን ንደቁን ቀደሶም፡ ናብቲ መስዋኣቲ ድማ ጸውዖም። 6 ኰነ ኸኣ፡ ምስ መጹ፡
ንኤልያብ ርእዩስ፡ እቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር ብርግጽ ኣብ ቅድሚኡ ኣሎ፡ በለ። 7 እግዚኣብሄር ግና
ንሳሙኤል፡ ኣነ ንዒቐዮ እየ እሞ፡ ኣብ ትርኢቱን ኣብ ምንዋሕ ቍመቱን ኣይትጠምት። እግዚኣብሄርሲ
ሰብ ከም ዚርእዮ ኣይርእን፡ ሰብ ነቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዘሎ እዩ ዚርኢ፡ እግዚኣብሄር ግና ልቢ እዩ
ዚርኢ፡ በሎ። 8 ሽዑ እሴይ ንኣቢናዳብ ጸዊዑ ናብ ቅድሚ ሳሙኤል ኣሕለፎ። ንሱ ግና፡ ነዚውን
እግዚኣብሄር ኣይሐረዮን፡ በለ። 9 እሴይ ንሳማ ኸኣ ኣሕለፎ። ንሱ ግና፡ ነዚውን እግዚኣብሄር
ኣይሐረዮን፡ በለ። 10 እሴይ ድማ ንሾብዓተ ደቁ ናብ ቅድሚ ሳሙኤል ኣሕለፎም። ሳሙኤል ከኣ
ንእሴይ፡ እግዚኣብሄር ነዚኣቶም ኣይሐረዮምን፡ በለ፡ 11 ሳሙኤል ድማ ንእሴይ፡ እዚኣቶም ድዮም

ኵሎም እቶም ደቂ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ገና እቲ ንእሽቶ ተሪፉ ኣሎ፡ እንሆ ድማ፡ ኣባጊዕ ይሕሉ ኣሎ፡ በለ።
ሳሙኤል ከኣ ንእሴይ፡ ንሱ ኽሳዕ ዚመጽእ ኣብ መኣዲ ኾፍ ኣይንብልን ኢና እሞ፡ ልኢኽካ ኣምጽኣዮ፡
በሎ። 12 ልኢኹ ድማ ኣምጽኦ፡ ንሱ ኸኣ ቀይሕ፡ ጽቡቕ ኣዒንቲ፡ ትርኢቱውን ጽቡቕ ነበረ። እግዚኣብሄር
ከኣ፡ ንሱ እዩ እሞ፡ ተንሲእካ ቕብኣዮ፡ በለ። 13 ሽዑ ሳሙኤል ናይ ዘይቲ ቐርኒ ወሲዱ ኣብ ማእከል
ኣሕዋቱ ቐብኦ። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንነጀው ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ዳዊት መጸ።
ሳሙኤል ከኣ ተንሲኡ ናብ ራማ ኸደ። 14 መንፈስ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ሳኦል ረሓቐ፡ ካብ
እግዚኣብሄር ከኣ ክፉእ መንፈስ ይሳቐዮ ነበረ። 15 እቶም ገላውኡ ድማ ንሳኦል፡ እንሆ፡ ካብ ኣምላኽ
ዝመጸ ኽፉእ መንፈስ ደኣ ይሳቐየካ ኣሎ። 16 እምበኣርሲ ሕጂ ጐይታና ነቶም ኣብ ቅድሜኻ ዘለዉ
ገላዉኻ ምውቃዕ በገና ዚፈልጥ ሰብ ኪደልዩ ይኣዝዝ። ኪኸውን ከኣ እዩ፡ እቲ ኻብ ኣምላኽ ዝመጸ
ኽፉእ መንፈስ ኣባኻ ኽሎ፡ ንሱ ብኢዱ ኺወቅዕ እዩ እሞ፡ ኪሕሸካ እዩ፡ በልዎ። 17 ሳኦል ድማ
ንገላውኡ፡ እምበኣር ጽቡቕ ዚወቅዕ ሰብ ርኣዩለይ እሞ ናባይ ኣምጽኡለይ፡ በሎም። 18 ሽዑ ሓደ
ኻብቶም ኣጕባዝ፡ እንሆ፡ ወዲ እሴይ ብዓል ቤትልሄም፡ ፈላጥ ወቓዒ ርእየ ኣሎኹ። ንሱ ብርቱዕ
ጅግና፡ ተዋጋኢ ሰብኣይ፡ መስተውዓል ዘረባ፡ መልክዔኛ ሰብኣይ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምስኡ እዩ፡ ኢሉ
መለሰ። 19 ሽዑ ሳኦል ንእሴይ፡ እቲ ምስ ኣባጊዕ ዘሎ ወድኻ ዳዊት ስደደለይ፡ ኢሉ ልኡኻት ሰደደሉ። 20
እሴይ ድማ እንጌራን ሓርቢ ወይንን እተጻዕነት ኣድግን ሓደ ወጠጦን ወሲዱ፡ ብኢድ ወዱ ዳዊት ገይሩ
ናብ ሳኦል ሰደዶ። 21 ዳዊት ድማ ናብ ሳኦል መጸ እሞ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ፡ ኣዝዩ ኸኣ ፈተዎ፡ ጋሻ
ዛግሬኡውን ኰነ። 22 ሳኦል ድማ ንእሴይ፡ ዳዊት ኣብ ዓይነይ ሞገስ ረኺቡ ኣሎ እሞ፡ በጃኻ ኣብ
ቅድመይ ይቑም፡ ኢሉ ለኣኸሉ። 23 ኰነ ኸኣ፡ ንሳኦል እቲ ኽፉእ መንፈስ ካብ ኣምላኽ ምስ መጾ፡ ዳዊት
በገና ወሲዱ ብኢዱ ይወቅዕ ነበረ። ሽዑ ንሳኦል ይፈኽሶን ይሕሾን ነበረ፡ እቲ ኽፉእ መንፈስውን
የግልሰሉ ነበረ።

## ምዕራፍ 17

1 ፍልስጥኤማውያን ድማ ኪዋግኡ ሰራዊቶም ኣኽቲቶም ኣብ ሶኮ ናይ ይሁዳ ተኣከቡ፡ ኣብ
ኤፈስዳሚም ኣብ መንጎ ሶኮን ኣዜቃን ሰፈሩ። 2 ሳኦልን ሰብ እስራኤልን ድማ ከቲቶም ኣብ ለሰ ኤላህ
ሰፈሩ፡ ምስ ፍልስጥኤማውያን ኪዋግኡ ድማ ተሰለፉ። 3 ፍልስጥኤማውያን ነቲ ኸረን ብሓደ ወገኑ
ቈሙ፡ እስራኤል ከኣ ነቲ ኸረን፡ ብሓደ ወገኑ ቈሙ፡ ኣብ መንጎኦም ድማ ለሰ ነበረ። 4 ካብ ሰፈር
ፍልስጥኤማውያን ከኣ ጐልያድ ዝስሙ በዓል ጋት፡ ሹድሽተ እመትን ስድርን ዝቘመቱ፡ ተቓላሲ
ሰብኣይ ወጸ። 5 ቍራዕ ርእሲ ኣስራዚ ድማ ነበሮ፡ ከም ቅራፍ ዓሳ ዝበለ ድርዒውን ተኸዲኑ ነበረ።
ሚዛን እቲ ድርዒ ኸኣ ሓሙሽተ ሽሕ ሲቃል ኣስራዚ እዩ። 6 ኣብ ሰለፉቱ ድማ ስረ ኣስራዚ፡ ኣብ መንጎ
መናኵቡ ኸኣ መዝረቕ ኣስራዚ ነበሮ። 7 ዛብያ ሕላሱውን ከንዲ ወንደረሽ ኣላማይ ነበረ፡ እቲ ብልሒ
ሕላሱ ኸኣ ሹድሽተ ሚእቲ ሲቃል ሓጺን ይምዝን ነበረ፡ እቲ ጸዋር ዋልታኡ ድማ ቀቅድሚኡ ይኸይድ
ነበረ። 8 ተንሲኡ ከኣ ስሉፋት እስራኤል፡ ስለምንታይ ኢኹም ንውግእ ክትስለፉ ዝወጻእኩም፧ ኣነ
ፍልስጥኤማዊዶ ኣይኰንኩን፡ ንስኻትኩም ከኣ ገላዉ ሳኦል፧ ካባኻትኩም ሓደ ሰብኣይ ሕረዩ እሞ፡
ናባይ ይውረድ። 9 ንሱ ምሳይ ተዋጊኡ ኪቐትለኒ እንተ ኸኣለ፡ ንሕና ባሮትኩም ክንከውን፡ ኣነ ኣሰኒፈ
እንተ ቐተልክዎ ግና፡ ንስኻትኩም ባሮትና ኴንኩም ክትግዝኡና፡ ኢሉ ጨደረሎም። 10 እቲ
ፍልስጥኤማዊ ወሲኹ ኸኣ፡ ኣነ ሎሚ መዓልቲ ነቶም ስሉፋት እስራኤል ኣባጭየዮም ኣሎኹ እሞ፡

ንሓድሕድና ኽንዋጋእሲ፡ ሓደ ሰብኣይ ሀቡኒ፡ በለ። 11 ሳኦልን ብዘሎ እስራኤልን እዚ ዘረባ እቲ
ፍልስጥኤማዊ ምስ ሰምዑ፡ ኣዝዮም ፈርሁን ተሸበሩን። 12 ዳዊት ከኣ ወዲ እቲ እሴይ ዝስሙ ኤፍራታዊ
ሰብኣይ ብዓል ቤትልሄም ናይ ይሁዳ ነበረ። እቲ ሰብኣይ እቲ ሾሞንተ ኣወዳት ነበርዎ፡ ንሱ ብዘበን
ሳኦል ኣብ መንጎ ሰባት ዕድሜኡ ዝሓለፈ ኣረጊት ነበረ። 13 እቶም ሰለስተ ዓበይቲ ደቂ እሴይ ደድሕሪ
ሳኦል ናብቲ ውግእ ከይዶም ነበሩ። ስም እቶም ናብ ውግእ ዝኸዱ ሰለስቲኦም ደቁ ኸኣ፡ እቲ በዅሪ
ኤልያብ፡ እቲ ኻልኣዩ ኣቢናዳብ፡ እቲ ሳልሳይ ድማ ሳማ ይብሀሉ ነበሩ። 14 ዳዊት ከኣ ንሱ እቲ
ንእሽቶኦም ነበረ። እቶም ሰለስተ ዓበይቲ ድማ ደድሕሪ ሳኦል ከዱ። 15 ዳዊት ከኣ ካብ ሳኦል ከይዱ
ኣባጊዕ ኣቦኡ ኣብ ቤትልሄም ኪሕሉ ይመላለስ ነበረ። 16 እቲ ፍልስጥኤማዊ ድማ ኣርብዓ መዓልቲ
ብጊሓትን ምሸትን ቀሪቡ ኣብ ቅድሚኦም ይቐውም ነበረ። 17 እሴይ ከኣ ንወዱ ዳዊት፡ ሓደ ኤፋ ኻብዚ
ቈሎ እዚ፡ እዚ ዓሰርተ እንግራ እዚ ድማ ሒዝካ ቀልጢፍካ ናብ ኣሕዋትካ ናብቲ ሰፈር ኪድ። 18 እዘን
ዓሰርተ ጒሎ ኣጂቦ እዚኤን ከኣ ነቲ ሓለቓ ሽሕ ውሰደሉ። ኣሕዋትካ ደሓን እንተለዉ ርኢኻስ፡ ካባታቶም
ድማ መፈለጥታ ኣምጽኣለይ፡ በሎ። 19 ሳኦልን ንሳቶምን ኵሎም ሰብ እስራኤልን ከኣ ኣብ ለሰ ኤላህ ምስ
ፍልስጥኤማውያን ይዋግኡ ነበሩ። 20 ንጽብሒቱ ድማ ዳዊት ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ነተን ኣባጊዕ ኣብ ሓላዊ
ሓዲጉ፡ ከምቲ እሴይ ዝኣዘዞ፡ ነቲ ጾሩ ኣልዒሉ ኸደ። እቲ ኺስለፍ ዝወጸ ሰራዊት ንውግእ ኪጭድር
ከሎ ድማ፡ ንሱ ናብ ሰፈር ሰረገላታት መጸ። 21 እስራኤልን ፍልስጥኤማውያንን ከኣ ጭፍራ ንጭፍራ
ኺጋጠሙ ተሳላለፉ። 22 ዳዊት ድማ ነቲ ምስኡ ዝነበረ ኣቓሑ ኣብ ኢድ ሓላው ኣቓሑ ሐዲጉ ናብቲ
ሰልፊ ጐየየ፡ መጺኡ ኸኣ ነሕዋቱ ደሓን ምህላዎም ሓተቶም። 23 ንሱ ምሳታቶም ኪዛረብ ከሎ ድማ፡
እንሆ፡ እቲ ጐልያድ ዝስሙ ፍልስጥኤማዊ በዓል ጋት፡ ተቓላሲ ሰብኣይ ካብቶም ስሉፋት
ፍልስጥኤምውያን ተንሲኡ፡ ከምቲ ዘረባ ቐደሙ ገይሩ ተዛረበ፡ ዳዊትውን ሰምዖ። 24 ኵሎም ሰብ
እስራኤል ከኣ ነቲ ሰብኣይ ምስ ረኣይዎ ኻብ ቅድሚኡ ሀደሙ፡ ኣዝዮምውን ፈርሁ። 25 እቶም ሰብ
እስራኤል ድማ፡ ነዚ ተንሲኡ ዘሎ ሰብኣይ እዚ ትርእይዎዶ፧ ኣሎኹም ንእስራኤል ኬባጨ እዩ ተንሲኡ
ዘሎ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ነዚ ዚቐትል ሰብኣይ ንጉስ ኬጸግዎ፡ ጓሉ ኸአ ኪህቦ፡ ንቤት ኣቦኡውን ኣብ
እስራኤል ናጻ ኺገብሮ እዩ፡ በለ። 26 ዳዊት ድማ ነቶም ምስኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ሰባት፡ እዚ ንሰራዊት
ህያው ኣምላኽ ዜባጨ ዘሎ ዘይግዙር ፍልስጥኤማዊ እዚ መን ኰን እዩ፧ ነዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ቐቲሉስ
ካብ እስራኤል ውርደት ዘርሐቐ ሰብኣይከ እንታይ ይግበሮ፧ ኢሉ ተዛረቦም። 27 እቲ ህዝቢ ኸኣ፡ ነቲ
ዚቐትሎ ሰብኣይ ከምዚ ይግበሮ፡ ኢሎም ከምተን ቃላት ገይሮም መለሱሉ። 28 ኤልያብ፡ እቲ ዓብዩ
ሓዉ ድማ ምስቶም ሰባት ኪዛረብ ከሎ ሰሚዕዎ፡ ኵራ ኤልያብ ኣብ ዳዊት ነዲዱ፡ እንታይ ክትገብር
ናብዚ ወረድካ፧ እተን ሒደት ኣባጊዕከ ኣብ በረኻ ንመን ገደፍካየን፧ ውግእ ምእንቲ ኽትርኢ ኢኻ
ወሪድካ ዘሎኻ እሞ፡ ትዕቢትካን ክፍኣት ልብኻን ኣነ ፈሊጠዮ ኣሎኹ፡ በሎ። 29 ዳዊት ድማ፡ እሞ
ሕጂኸ እንታይ ገይረ እየ፧ ቃልዶ ኣይኰነን ንሱ፧ በለ። 30 ካብኡ ናብ ካልእ ግልጽ ኢሉ ኸኣ ከም ቀደሙ
ተዛረበ። እቶም ህዝቢውን ከምቲ ቐዳማይ ዘረባ መለሱሉ። 31 እቲ ዳዊት እተዛረቦ ዘረባ ምስ ተሰምዔ
ኸኣ፡ ንሳኦል ነገርዎ፡ ንሱ ድማ ናብኡ ኣምጽኦ። 32 ዳዊት ከኣ ንሳኦል፡ ብዛዕባ እዝስ ልቢ ሓደ ሰብ እኳ
ኣይሸበር፡ ጊልያኻ ኸይዱ ምስ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኺዋጋእ እዩ፡ በሎ። 33 ሳኦል ድማ ንዳዊት፡ ንስኻ
ቈልዓ ኢኻ፡ ንሱ ግና ካብ ንእስነቱ ጀሚሩ ተዋጋኢ ሰብኣይ እዩ እሞ፡ ምስ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ
ኽትዋጋእ ክትከይድ ኣይትኽእልን ኢኻ፡ በሎ። 34 ዳዊት ከኣ ንሳኦል፡ ጊልያኻ ኣባጊዕ ኣቦኡ ይጓሲ ነበረ፡
ኣንበሳ ወይ ድቢ ኻብቲ መጓሰ ሓንቲ በጊዕ ምስ ወሰደ ድማ፡ 35 ኣነ ደድሕሪኡ ወጺኤ እቐትሎ፡ ካብ
ኣፉውን ኤግድፎ ነበርኩ። ምስ ተንስኣኒ ኸኣ፡ ብጭሕሙ ሒዘ ወቒዔ እቐትሎ ነበርኩ። 36 ጊልያኻ

ኣንበሳን ድብን ቀቲሉ እዩ፡ እዚ ዘይግዙር ፍልስጥኤማዊ እዚ ከኣ ንሰራዊት እቲ ህያው ኣምላኽ ጸሪፉ
እዩ እሞ፡ ከም ሓደ ኻባታቶም ኪኸውን እዩ፡ በሎ። 37 ዳዊት ድማ፡ እቲ ኻብ ኢድ ኣንበሳን ካብ ኢድ
ድብን ዘድሐነኒ እግዚኣብሄር፡ ንሱ ኻብ ኢድ እዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኼድሕነኒ እዩ፡ በለ። ሳኦል ከኣ
ንዳዊት፡ ኪድ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ ይኹን፡ በሎ። 38 ሳኦል ድማ ንዳዊት ክዳውንቱ ኸደኖ፡ ኣብ ርእሱ
ኸኣ ቍራዕ ርእሲ ኣስራዚ ገበረሉ፡ ድርዒውን ከደኖ። 39 ዳዊት ድማ ሴፉ ኣብ ልዕሊ ኽዳኑ ተዐጥቀ፡
ምኻድ ኣይፈተነን ነበረ እሞ፡ ኪኸይድ ጀመረ። ዳዊት ከኣ ንሳኦል፡ ፈቲነዮ ኣይፈልጥን እየ እሞ፡ ምስ
እዝስ ክኸይድ ኣይክእልን እየ፡ በሎ። ዳዊት ድማ ካብኡ ኣራገፎ። 40 በትሩ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ካብቲ ርባ
ኸኣ ሓሙሽተ ልሙጻት ኣእማን ሐርዩ ናብቲ ኺጓሲ ኸሎ ምስኡ ዝነበረ ቍርባበሻን ማሕፉዳን ኣንበሮ።
ወንጭፉውን ኣብ ኢዱ ሒዙ ናብቲ ፍልስጥኤማዊ ኣቢሉ ቐረበ። 41 እቲ ፍልስጥኤማዊ ኸኣ እናሰጐመ
ናብ ዳዊት ቀረበ። እቲ ዋልታኡ ዚጸውር ሰብኣይ ድማ ቀቅድሚኡ ይኸይድ ነበረ። 42 እቲ ፍልስጥኤማዊ
ኸኣ ንዳዊት ተኵሩ ምስ ረአዮ። ንሱ ቐይሕ መልከዓኛ ኰተት ነበረ እሞ፡ ነዐቖ። 43 እቲ ፍልስጥኤማዊ
ድማ ንዳዊት፡ ብበትሪ እትመጸንስ ኣነ ኸልቢዶ እየ፧ በሎ። እቲ ፍልስጥኤማዊ ኸኣ ንዳዊት ብኣማልኽቱ
ረገሞ። 44 እቲ ፍልስጥኤማዊ ድማ ንዳዊት፡ ንዓ ናባይ እሞ ስጋኻ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት መሮርን
ክህቦም እየ፡ በሎ። 45 ዳዊት ከኣ ነቲ ፍልስጥኤማዊ በሎ፡ ንስኻ ብሴፍን ብኹናትን ብመዝረቕን ትመጸኒ
ኣሎኻ፡ ኣነ ግና ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ንስኻ እተባጭዎ ዘሎኻ ኣምላኽ ጭፍራ
እስራኤል እመጸካ ኣሎኹ። 46 ሎሚ መዓልቲ እግዚኣብሄር ንኣኻ ኣሕሊፉ ኣብ ኢደይ ኪህበኒ እዩ፡ ኣነ
ኸኣ ክቐትለካ፡ ርእስኻውን ካባኻ ኽወስድ እየ፡ ሬሳ ሰራዊት ፍልስጥኤማውያን ከኣ በዛ መዓልቲ እዚኣ
ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ክህቦም እየ እሞ፡ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም ዘሎ፡ ኵላ ምድሪ
ኽትፈልጥ እያ። 47 እቲ ውግእሲ ናይ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ብሴፍን ብኹናትን ከም
ዘይኰነ ዜድሕን፡ ብዘላ እዛ ማሕበር እዚኣ ምእንቲ ኽትፈልጥ፡ ንሱ ንኣኻትኩም ኣብ ኢድና ኺህበና
እዩ። 48 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ፍልስጥኤማዊ ተንሲኡ ኸደ። ንዳዊት ኪቃባበሎ ምስ ቀረበ፡ ዳዊት ነቲ
ፍልስጥኤማዊ ኺቃባበሎ ናብቲ ሰልፊ ቐልጢፉ ጐየየ። 49 ዳዊት ድማ ኢዱ ናብቲ ቍርባበሻ ኣእትዩ፡
ካብኡ ኸኣ እምኒ ወሲዱ ወንጨፎ፡ ነቲ ፍልስጥኤማዊ ድማ ግምባሩ ኣንሀሎ፡ እታ እምኒ ኸኣ ናብ
ግምባሩ ኣተወት፡ ንሱ ድማ ብገጹ ናብ ምድሪ ወደቐ። 50 በዚ ኸምዚ ዳዊት ነቲ ፍልስጥኤማዊ
ብወንጭፍን ብእምንን ኣሰኒፉ፡ ነቲ ፍልስጥኤማዊ ወቒዑ ቐተሎ። ኣብ ኢድ ዳዊት ግና ሴፍ ኣይነበረን።
51 ሸዑ ዳዊት ጐይዩ ኣብ ልዕሊ እቲ ፍልስጥኤማዊ ደው በለ፡ ነቲ ሴፉ ወሲዱ ድማ ካብ ሰገባኡ መሰቶ፡
ነቲ ፍልስጥኤማዊ ቐተሎ፡ ብእኡ ገይሩ ኸኣ ርእሱ ቘረጾ። ፍልስጥኤማውያን ድማ እቲ ጅግናኦም ከም
ዝሞተ ምስ ረአዩ፡ ሀደሙ። 52 ሰብ እስራኤልን ይሁዳን ከኣ ተንሲኦም ኣውከዑ እሞ፡ ክሳዕ እታ ንጋት
እትኣትወላ፡ ክሳዕ ደጌታት ዔቅሮን ሰጐጕዎም። እቶም ፍልስጥኤማውያን ድማ ኣብ መገዲ ሸዓራይም
ክሳዕ ጋትን ክሳዕ ዔቅሮንን ተወጊኦም ወደቑ። 53 ደቂ እስራኤል ከኣ ንፍልስጥኤማውያን ስዒቦም ካብ
ምስጓጎም ተመሊሶም፡ ነቲ ሰፈሮም ዘመትዎ። 54 ዳዊት ድማ ንርእሲ እቲ ፍልስጥኤማዊ ወሲዱ ናብ
የሩሳሌም ኣምጽኦ። ኣጽዋሩ ግና ኣብ ድንኳኑ ኣንበሮ። 55 ሳኦል ድማ ዳዊት ነቲ ፍልስጥኤማዊ
ኺቃባበሎ ኺወጽእ ምስ ረአዮ፡ ንኣብኔር ሓለቓ ሰራዊት፡ ኣታ ኣብኔር፡ እዚ መንእሰይ እዚ ወዲ መን
እዩ፧ በሎ። ኣብኔር ከኣ፡ ዎ ንጉስ፡ ህያው ነፍስኻ ኢለ ዘይፈልጦ፡ በለ። 56 እቲ ንጉስ ድማ፡ እምበኣርሲ
እዚ መንእሰይ እዚ ወዲ መን ምዃኑ ንስኻ ሕተት፡ በለ። 57 ዳዊት ነቲ ፍልስጥኤማዊ ቐቲሉ ምስ
ተመልሰ፡ ኣብኔር ወሲዱ ናብ ቅድሚ ሳኦል ኣእተዎ፡ ርእሲ እቲ ፍልስጥኤማዊ ኸኣ ኣብ ኢዱ ነበረት። 58
ሳኦል ድማ፡ ኣታ ወዲ፡ ወዲ መን ኢኻ፧ በሎ። ዳዊት ከኣ፡ ወዲ ጊልያኻ እሴይ ብዓል ቤትልሄም እየ፡

በለ።

# ምዕራፍ 18

1 ኰነ ድማ፡ ንሱ ምስ ሳኦል ዘረባኡ ምስ ወድኤ፡ ነፍሲ ዮናታን ምስ ነፍሲ ዳዊት ተአሰረት፡ ዮናታን ከኣ
ከም ነፍሱ ገይሩ ፈተዎ። 2 ሳኦል ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ወሰዶ፡ ናብ ቤት ኣቦኡውን ኪምለስ
ኣይፈቐደሉን። 3 ዮናታን ድማ ንዳዊት ከም ነፍሱ ገይሩ ስለ ዝፈተዎ፡ ኪዳን ተኣታተዉ። 4 ዮናታን ከኣ
እቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ ባርኖስ ኣውጺኡ ንዳዊት ሀቦ፡ ክዳውንቱ ድማ ክሳዕ ሴፉን ቀስቱን ክሳዕ ቅናቱን
ሀቦ። 5 ዳዊት ከኣ ሳኦል ኣብ ዝሰደዶ ኹሉ ብምስትውዓል ይወጽእ ነበረ። ሳኦል ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም
ሰብ ውግእ ሓለቓ ገበሮ። ኣብ ዓይኒ ኹሉ ህዝብን ኣብ ዓይኒ ገላዉ ሳኦልን ተፈተወ። 6 ኰነ ድማ ምስ
ኣተዉ፡ ዳዊት ነቲ ፍልስጥኤማዊ ቐቲሉ ምስ ተመልሰ፡ ካብ ኵለን ከተማታት እስራኤል ኣንስቲ
ብኸበሮን ብእልልታን ብመሰንቆን እናደረፋን እናሳዕስዓን ንንጉስ ሳኦል ኪቕበላ ወጻ። 7 እተን ኣንስቲ
ኽምዚ ኢለን እናደረፋ ተቓባበላ፡ ሳኦል ሽሑ ዳዊት ግና እልፉ ቐተለ። 8 ሳኦል ድማ ኣዝዩ ተቘጥዔ፡ እዚ
ዘረባ እዚ ኸኣ ከፊኡ ተራእዮ እሞ በለ፡ ንዳዊት እልፊ ሀባኦ፡ ንኣይ ድማ ሽሕ ሀባኒ፡ ደጊም መንግስቲ
ጥራይ እያ ተሪፋቶ ዘላ። 9 ሳኦል ከኣ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንነጀው ንዳዊት ብኽፉእ ዓይኒ ጠመቶ። 10
ንጽብሒቱ ድማ ኾነ፡ ካብ ኣምላኽ ከፉእ መንፈስ ኣብ ልዕሊ ሳኦል መጸ፡ ኣብ ማእከል ቤት ከኣ
ተነበየ፡ ዳዊት ድማ ከም ኵሉ መዓልቲ ብኢዱ በገና ይወቅዕ ነበረ። ኣብ ኢድ ሳኦል ከኣ ኲናት ነበረ። 11
ሳኦል ድማ፡ ንዳዊት ምስ መንደቕ ኣላጊበ ክቐትሎ እየ፡ ኢሉ ኲናት ወርወረ። ዳዊት ከኣ ክልተ ሳዕ ካብ
ቅድሚኡ ኣግለሰ። 12 እግዚኣብሄር ካብ ሳኦል ኣግለሲሉ ምስ ዳዊት ስለ ዝነበረ ድማ፡ ሳኦል ንዳዊት
ፈርሀ። 13 ስለዚ ሳኦል ካብኡ ኣርሒቑ ሓለቓ ሽሕ ገበሮ። ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ኸኣ ይወጽእን ይኣቱን
ነበረ። 14 ዳዊት ድማ ኣብ ኵሉ መገዱ ኣስተውዓሊ ነበረ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምስኡ ነበረ። 15 ሳኦል ድማ
ኣዝዩ ኣስተውዓሊ ኽም ዝኾነ ምስ ረአየ፡ ንእኡ ፈርሀ። 16 ብዘለዉ እስራኤልን ይሁዳን ግና፡ ኣብ
ቅድሚኦም ይወጽእን ይኣቱን ነበረ እሞ፡ ንዳዊት ፈተውዎ። 17 ሳኦል ድማ ንዳዊት፡ እንሆ፡ እታ ዓባይ
ጓለይ ሜራብ ሰበይቲ ኽትኰነካ ሂበካ ኣሎኹ፡ ሓንትስ ጽኑዕ ወዲ ኹነለይ፡ ውግእ እግዚኣብሄር ከኣ
ተዋጋእ፡ በሎ። ሳኦል ከኣ፡ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኣብ ልዕሊኡ ትኹን እምበር፡ ኢደይሲ ኣብ ልዕሊኡ
ኣይትኹን፡ በለ። 18 ዳዊት ድማ ንሳኦል፡ ሓሙ ንጉስ ዝኸውንሲ ኣነ መን እየ፧ ህይወተይከ እንታይ እያ፧
ዓሌት ኣቦይከ ኣብ እስራኤል እንታይ እዩ፧ በሎ። 19 ኰነ ኸኣ፡ ሜራብ ጓል ሳኦል፡ በታ ንዳዊት
እትምርዐወላ ጊዜ፡ ንሳ ንዓድርኤል፡ እቲ መሖላታዊ፡ ሰበይቲ ኽትኰኖ ተዋህበት። 20 ሚካል ጓል ሳኦል፡
ንዳዊት ፈተወቶ፡ እዚ ንሳኦል ነገርዎ፡ እቲ ነገር ከኣ ኣብ ዓይኑ ባህ ኣበሎ። 21 ሳኦል ድማ፡ ኢድ
ፍልስጥኤማውያን ኣብ ልዕሊኡ ምእንቲ ኽትከውንሲ፡ መፈንጠራ ኽትኰኖ፡ ንእኣ ኺህቦ እየ፡ በለ።
ስለዚ ሳኦል ንዳዊት፡ ሎሚውን ካልኣይ ሳዕ ሓሞይ ክትከውን ኢኻ፡ በሎ። 22 ሳኦል ከኣ ነቶም ገላዉኡ፡
ንዳዊት፡ እንሆ፡ ንጉስ ብኣኻ ባህ ኢልዎ ኣሎ፡ ኵሎም ገላዉኡ ድማ ፈትዮምኻ ኣለዉ፡ ሕጂ ኸኣ ሓሙ
ንጉስ ኩን፡ ኢልኩም ብሕቡእ ተዛረብዎ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 23 እቶም ገላዉ ሳኦል ድማ እዚ ነገር እዚ ኣብ
እዝኒ ዳዊት ተዛረቡ። ዳዊት ከኣ፡ ኣነ ድኻን ሕሱርን ሰብኣይ ክነሰይ፡ ሓሙ ንጉስ ምዃንሲ ንእሽቶ
ነገርዶ ይመስለኩም ኣሎ፡ በለ። 24 እቶም ገላዉ ሳኦል ከኣ፡ ዳዊት ከምዚ ዝበለ ዘረባ ተዛሪቡ፡ ኢሎም
ነገርዎ። 25 ሳኦል ድማ በለ፡ ንዳዊት ከምዚ በልዎ፡ ኣብቶም ጸላእቲ ንጉስ ሕነ ምእንቲ ኺፈድስ፡ ንጉስ፡
በጀካ ሚእቲ ዕልቦ ፍልስጥኤማውያን፡ ዚደልዮ ብልዒት የብሉን። ሳኦል ንዳዊት ኣብ ኢድ

ፍልስጥኤማውያን ኬውድቕ ሐሲቡ ነበረ። [26] እቶም ገላዉኡ ኸኣ እዚ ዘረባ እዚ ንዳዊት ምስ ነገርዎ፡
ሽዑ ሓሙ ንጉስ ኪኸውን ነገሩ ንዳዊት ጽቡቕ ኰይኑ ተራእዮ። ገና እተን መዓልትታት ከይኣኸላ ድማ፡
[27] ዳዊት ተንሲኡ፡ ንሱ ምስ ሰቡ ኸይዱ ኻብ ፍልስጥኤማውያን ክልተ ሚእቲ ሰብ ቀተለ። ዳዊት ከኣ
ሓሙ ንጉስ ምእንቲ ኪኸውን፡ እቲ ዕልቦኦም ኣምጽኤ፡ ብምሉእ ቍጽሮም ድማ ንንጉስ ኣወፈየ። ሳኦል
ከኣ ጓሉ ሚካል ሰበይቲ ኽትኰኖ ሀቦ። [28] ሳኦል ድማ እግዚኣብሄር ምስ ዳዊት ከም ዘሎ ረአየን ፈለጠን።
ሚካል ጓል ሳኦል ከኣ ፈተወቶ። [29] ሳኦል ድማ ንዳዊት ኣዝዩ ፈርሆ፡ ሳኦል ምሉእ ዕድሜኡ ጸላኢ ዳዊት
ኰነ። [30] ሽዑ ሹማምቲ ፍልስጤማውያን ወጹ። ኰነ ድማ፡ ብዝወጹላ መጠን፡ ካብ ኵሎም ገላዉ ሳኦል
ዳዊት ኣስተውዓሊ ነበረ፡ ስሙ ኸኣ ኣዝዩ ኸበረ።

## ምዕራፍ 19

[1] ሳኦል ድማ ንወዱ ዮናታንን ንኹሎም ገላዉኡን ንዳዊት ኪቕትልዎ ተዛረቦም። ዮናታን ወዲ ሳኦል ግና
ኣብ ዳዊት ብዙሕ ፍቕሪ ነበሮ። [2] ዮናታን ከኣ ንዳዊት፡ ኣቦይ ሳኦል ኪቕትለካ ይደሊ ኣሎ፡ ሕጂ ድማ
በጃኻ፡ ጽባሕ ተጠንቀቕ፡ ናብ ስቱር ቦታ ኣግሊስካውን ተሐባእ። [3] ኣነ ኸኣ ኣብታ ንስኻ ዘሎኻያ ግራት
ኣብ ጥቓ ኣቦይ ደው ኢለ፡ ኣነ ብዛዕባኻ ኽዛረቦ እየ፡ ገለ እንተ ርኤኹውን ክነግረካ እየ፡ ኢሉ ነገሮ። [4-5]
ዮናታን ድማ ነቦኡ ሳኦል፡ ዳዊት ኣይበደለካን፡ ግብሩ ኸኣ ንኣኻ ዓብዩ ጥቕሚ እዩ እሞ፡ ንጉስ
ብገልያኡ ዳዊት ኣይሕጣእ። ነፍሱ ኣብ ኢዱ ገይሩ ድማ ነቲ ፍልስጥኤማዊ ቀተሎ። እግዚኣብሄር ከኣ
ንብዘሎ እስራኤል ዓብዩ ምድሓን ገበረ። ንስኻውን ነዚ ርኢኻ ተሐጒስካ። ስለምንታይከ ንዳዊት ብዘይ
ምኽንያት ብምቕታልካ ኣብ ንጹህ ደም እትሐጥእ፧ ኢሉ ብዛዕባ ዳዊት ጽቡቕ ተዛረበ። [6] ሳኦል ከኣ ዘረባ
ዮናታን ሰምዔ፡ ሳኦል ድማ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ ኣይመውትን እዩ፡ ኢሉ መሐለ። [7] ሽዑ ዮናታን
ንዳዊት ጸውዖ፡ ዮናታን ከኣ እዚ ነገር እዚ ኹሉ ነገሮ። ዮናታን ድማ ንዳዊት ናብ ሳኦል ኣእተዎ እሞ፡
ከም ቀደሙ ኣብ ቅድሚኡ ነበረ። [8] መሊሱ ድማ ውግእ ኰነ። ዳዊት ከኣ ወጺኡ ምስ ፍልስጥኤማውያን
ተዋግኤ፡ ብርቱዕ ስዕረትውን ሰዐሮም፡ ካብ ቅድሚኡ ድማ ሀደሙ። [9] እቲ ኽፉእ መንፈስ ድማ ካብ
እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሳኦል መጸ፡ ንሱ ኾናቱ ኣብ ኢዱ ሒዙ ኣብ ቤቱ ተቐሚጡ ኸሎ ኸኣ፡ ዳዊት
ብኢዱ በገና ይወቅዕ ነበረ። [10] ሳኦል ድማ ንዳዊት ብኹናት ምስቲ መንደቕ ኪላግቦ ደለየ፡ ንሱ ግና ካብ
ቅድሚ ሳኦል ኣግለሰ፡ እቲ ኹናት ድማ ኣብቲ መንደቕ ተሸኽለ። ዳዊት ከኣ ሀዲሙ በታ ለይቲ እቲኣ
ኣምለጠ። [11] ሳኦል ድማ፡ ሕልው ሐዲሮም ንግሆ ምእንቲ ኪቕትልዎስ፡ ናብ ቤት ዳዊት ልኡኻት ሰደደ።
ሚካል ሰበይቲ ዳዊት ግና፡ በዛ ለይቲ እዚኣ ነፍስኻ እንተ ዘየድሐንካ፡ ጽባሕ ክትመውት ኢኻ፡ ኢላ
ነገረቶ። [12] ሚካል ከኣ ንዳዊት ብመስኮት ኣውረደቶ፡ ንሱ ኸደ፡ ሀዲሙውን ኣምለጠ። [13] ሚካል ድማ
ምስሊ ጣኦት ወሲዳ ኣብ ዓራት ኣንበረቶ፡ ኣብ ርእሱ ኸኣ መኼዳ ጸጕሪ ጤል ገበረትሉ፡ ክዳንውን
ከደነቶ። [14] ሳኦል ንዳዊት ኬምጽእዎ ልኡኻት ምስ ሰደደ፡ ንሱ ሓሚሙ ኣሎ፡ በለት። [15] ሽዑ ሳኦል፡
ምእንቲ ክቕትሎስ፡ ብዓራት ጌርኩም ኣደይቡለይ፡ ኢሉ ንዳዊት ኪርእይዎ ነቶም ልኡኻት ሰደዶም። [16]
እቶም ልኡኻት ምስ ኣተዉ ድማ እንሆ፡ እቲ ምስሊ ጣኦት መኼዳ ጸጕሪ ጤል ተተርኢሱ ኣብቲ ዓራት
ነበረ። [17] ሽዑ ሳኦል ንሚካል፡ ስለምንታይከ ነቲ ጸላእየይ ኬምልጥ ይኺድ ብምሕዳግኪ ዝጠበርክኒ፧
በላ። ሚካል ከኣ ንሳኦል፡ ንሱ፡ ክኸይድ ሕደግኒ፡ እንተ ዘይኰነስ ክቕትለኪ እየ፡ ኢሉኒ፡ በለቶ። [18]
ዳዊት ድማ ሀዲሙ ኣምለጠ፡ ናብ ሳሙኤል ናብ ራማ ኸኣ መጸ፡ እቲ ሳኦል ዝገበሮ ኹሉ ድማ ነገሮ።
ንሱን ሳሙኤልን ከኣ ናብ ናዮት ከይዶም ኣብኡ ተቐመጡ። [19] ንሳኦል ድማ፡ እንሆ፡ ዳዊት ኣብ ናዮት

ናይ ራማ ኣሎ፡ ኢሎም ነገርዎ። 20 ሳኦል ንዳዊት ኪሒዙ ልኡኻት ሰደደ። ንሳቶም ከኣ፡ ሳሙኤል ደው
ኢሉ ዚመርሖም፡ ጉባኤ ነብያት ኪንበዩ ምስ ረአዩ፡ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እቶም ልኡኻት ሳኦል
ድማ መጸ፡ ንሳቶም ከኣ ተነበዩ። 21 እዚ ንሳኦል ምስ ነገርዎ ድማ፡ ንሱ ኻልኦት ልኡኻት ሰደደ፡
ንሳቶምውን ተነበዩ። ሳኦል ከኣ መሊሱ ሳልሳይ ጊዜ ልኡኻት ሰደደ፡ ንሳቶም ድማ ተነበዩ። 22 ሽዑ ንሱ
ናብ ራማ ኸደ፡ ናብቲ ኣብ ሴኩ ዘሎ ዓብዩ ዔላ ምስ መጸ ድማ፡ ሳሙኤልን ዳዊትን ኣበይ እዮም
ዘለዉ፧ ኢሉ ጠየቐ። እነሆ ኣብ ናዮት ናይ ራማ ኣሎ በሎ። 23 ንሱ ኸኣ ናብኡ፡ ናብ ናዮት ናይ ራማ
ኸደ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ መንፈስ ኣምላኽ መጸ፡ ኣብ ናዮት ናይ ራማ ኽሳዕ ዚመጽእ ከኣ እናተነበየ
ኸደ። 24 ንሱ ድማ ክዳውንቱ ደርብዩ ኣብ ቅድሚ ሳሙኤል ተነበየ፡ ጥራዩ ኾይኑ ኸኣ መዓልቲ መላእን
ለይቲ መላእን ወዲቑ ነበረ። ስለዚ ድማ፡ ሳኦልውንንዶ ምስ ነብያት እዩ፧ ይብሉ ኣለዉ።

## ምዕራፍ 20

1 ዳዊት ከኣ ካብ ናዮት ናይ ራማ ሀዲሙ ናብ ቅድሚ ዮናታን መጺኡ፡ ኣቦኻ ኽምዚ ገይሩ ንህይወተይ
ዚደልያ ዘሎስ፡ እንታይ ገይረ እየ፧ ኣበሳይከ እንታይ እዩ፧ ሓጢኣተይሲ ኣብ ቅድሚ ኣቦኻ እንታይ እዩ፧
በለ። 2 ንሱ ድማ፡ ያእ እዝስ የርሕቆ፡ ኣይትመውትን። እንሆ፡ ኣቦይሲ ዓብዪ ነገር ኰነ ንእሽቶ ነገር ንኣይ
ከይነገረ ዚገብሮ የብሉን፡ ስለምንታይ ደኣ ኣቦይ እዚ ነገር እዚ ይሐብኣለይ፧ እዝስ ዘይከውን እዩ፡ በሎ።
3 ዳዊት ግና መሊሱ፡ ኣቦኻ፡ ኣነ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ ከም ዝረኸብኩ፡ ኣጸቢቑ ይፈልጥ እዩ፡ ስለዚ ኸኣ፡
ዮናታን ምእንቲ ኸይጕሂ እዚ ኣይፍለጥ፡ ይብል፡ ግናኸ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ ነፍስኻ ድማ ህያው
እያ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ሞትን ስጕምቲ ጥራይ ከም ዘሎ ርግጽ እዩ፡ ኢሉ መሐለ። 4 ሽዑ ዮናታን
ንዳዊት፡ ነፍስኻ ዝደለየቶ ዘበለ ኽገብረልካ እየ፡ በሎ። 5 ዳዊት ከኣ ንዮናታን፡ እንሆ፡ ጽባሕ ወርሒ
እትወጸላ እያ፡ ኣነ ድማ ከበልዕ ምስ ንጉስ ኮፍ ክብል ይግብኣኒ እዩ፡ ግናኸ ክሳዕ ምሸት እታ ሳልሰይቲ
መዓልቲ ኣብ መሮር ክሕባእ እኺድ ሕደገኒ። 6 ኣቦኻ እንተ ሰኣነኒ፡ ንብዘለዉ ዓሌቱ ኣብኡ ናይ ዓመት
መስዋእቲ ኣለዎም እሞ፡ ዳዊት ናብ ቤትልሄም ከተማኡ ኺጐዪ ኣጽኒዑ ለሚኑኒ፡ በሎ። 7 ደሓን እንተ
በለካ፡ ንጊልያኻ ደሓን እዩ። ኣዝዩ እንተ ኾረየ ግና፡ ክፉእ ከም ዝመደበ ፍለጥ። 8 እምበኣርስኸ
ንጊልያኻ ምሳኻ ኺዳን እግዚኣብሄር ካብ ኣእቶኻዮ፡ ንጊልያኻ ምሕረት ግበረሉ። ኣበሳ እንተ ተረኺቡኒ
ግና፡ ስለምንታይ ናብ ኣቦኻ ተብጽሓኒ፡ ባዕልኻ ቕተለኒ፡ በሎ። 9 ዮናታን ከኣ፡ እዝስ ካባኻ ይርሓቕ፡
ካብ ኣቦይ ክፉእ ከም እተመደበካ እንተ ደአ ፈሊጠስ፡ ኣነኸ ኣይነግረካንዶ እየ፧ በለ። 10 ሽዑ ዳዊት
ንዮናታን፡ ኣቦኻ ብርቱዕ ነገር እንተ መለሰልካ ደኣ፡ መን ይነግረኒ፧ በሎ። 11 ዮናታን ድማ ንዳዊት፡
ንዓናይ፡ ናብ መሮር ንውጻእ፡ በሎ። ክልቲኦም ከኣ ናብ መሮር ወጹ። 12 ዮናታን ድማ ንዳዊት በሎ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ይመስክር፡ ጽባሕ ወይ ድሕሪ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ነቦይ ብዛዕባ
ዳዊት መርሚረ፡ እንሆ ኸኣ፡ ደሓን እንተሎ፡ ሽዑ ልኢኸ እንተ ዘይነገርኩኻ፡ 13 እግዚኣብሄር ንዮናታን
ከምዚ ይግበሮ፡ ከምዚውን ይወስኾ። ኣቦይ ንኽፉእካ እንተ ደለየ ግና፡ ክነግረካ እየ፡ ብደሓንካ ምእንቲ
ኽትከይድ ድማ፡ ክሰደካ እየ። እግዚኣብሄር ከኣ ከምቲ ምስ ኣቦይ ዝነበሮ፡ ምሳኻ ይኹን። 14 ገና
ብህይወት እንተ ኣልየስ ምእንቲ ኸይመውት፡ ምሕረት እግዚኣብሄር ግበረለይ። 15 እግዚኣብሄር ንነፍሲ
ወከፍ ጸላእቲ ዳዊት ካብ ገጽ ምድሪ ምስ ኣጥፍኤ እኳ፡ ምሕረትካ ንዘለኣለም ካብ ቤተይ ኣይተቋርጽ።
16 ሽዑ ዮናታን፡ እግዚኣብሄር ካብ ኢድ ጸላእቲ ዳዊት ይድለዮ፡ ኢሉ ምስ ቤት ዳዊት ኪዳን ኣተወ። 17
ዮናታን ድማ ንዳዊት ከም ነፍሱ ገይሩ ይፈትዎ ነበረ እሞ፡ ስለቲ ዝነበሮ ፍቕሩ መሊሱ ኣምሐሎ። 18

ሽዑ ድማ ዮናታን በሎ፡ ጽባሕ ወርሒ እትወጸላ እያ፡ እታ ምቕማጥካ ጥራያ ኽትከውን እያ እሞ፡
ክትስኣን ኢኻ። 19 ሰለስተ መዓልቲ ምስ ገበርካ ግና ቀልጢፍካ ውረድ እሞ፡ ናብታ እቲ ኽፉእ ኪግበር
እተሐስበላ መዓልቲ ተሐቢእካላ ዝነበርካ ቦታ ምጻእ፡ ኣብ ጥቓ እምኒ ኤዜል ተቐመጥ። 20 ኣነ ኸኣ በቲ
ጎቦኡ ንዕላማ ኸም ዝውርውር፡ ሰለስተ ፍላጻ ኽውርውር እየ። 21 እንሆ ድማ፡ ነቲ ወዲ፡ ኪድ ነቲ
ፍላጻታት ድለዮ ኢለ ኽሰዶ እየ፡ ነቲ ወዲ፡ እንሆ፡ እቲ ፍላጻ ኽነጀውካ እዩ ዘሎ፡ ውሰዶ፡ እንተ
በልክዎ፡ ሽዑ ንኣኻ ደሓን እዩ እሞ፡ ንዓ፡ ገለ ነገር የልቦን፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ። 22 ነቲ መንእሰይ፡
እንሆ፡ እቲ ፍላጻታት ክንየውካ እዩ ዘሎ፡ እንተ በልክዎ ግና፡ ሽዑ እግዚኣብሄር ሰዲዱካ እዩ እሞ፡
ኪድ። 23 ብዛዕባ እቲ ኣነን ንስኻን እተዛረብናዮ ነገር ከኣ፡ እንሆ፡ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ኣብ መንጎይን
ኣብ መንጎኻን እዩ፡ በሎ። 24 ዳዊት ድማ ኣብ መሮር ተሐብኤ። በታ ወርሒ እትወጸላ ኸኣ ንጉስ ኪበልዕ
ኣብ መኣዲ ተቐመጠ። 25 ንጉስ ድማ ከም ልማዱ ኣብ መንበሩ፡ ኣብቲ ኣብ መንደቕ ተጸጊዑ ዘሎ
መንበር ተቐመጠ። ዮናታን ከኣ ተንስኤ፡ ኣብኔር ድማ ኣብ ጥቓ ሳኦል ተቐመጠ። ምቕማጥ ዳዊት ከኣ
ጥራያ ነበረት። 26 ሳኦል ግና፡ ገለ ረኺብዎ እዩ፡ ኣይነጽሄን፡ ብርግጽ ኣይነጽሄን፡ ኢሉ ነበረ እሞ፡ በታ
መዓልቲ እቲኣ ገለ እኳ ኣይተዛረበን፡ 27 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ እታ ወርሒ እትወጸላ፡ በታ ኻልኣይቲ
መዓልቲ እታ ምቕማጥ ዳዊት ጥራያ ጸንሔት፡ ሳኦል ከኣ ንዮናታን ወዱ፡ ወዲ እሴይሲ ትማሊ ኾነ፡
ሎሚ ኾነ ናብ መኣዲ ዘይመጸ ስለምንታይ እዩ፤ በሎ። 28 ዮናታን ድማ ንሳኦል መለሰሉ፡ ዳዊት ናብ
ቤትልሄም ኪኸይድ ኣጽኒዑ ለሚኑኒ፡ 29 ኣብታ ኸተማ ናይ ዓሌት መስዋእቲ ኣሎና እሞ፡ ሓወይ ጸዊዑኒ
ኣሎ፡ ሕጂ ድማ ኣብ ቅድሜካ ሞገስ እንተ ደአ ረኺበስ፡ ምሉቐ ኢለ ኣሕዋተይ ክርኢ በጃኻ ስደደኒ
በለኒ፡ ስለዚ እዩ ናብ መኣዲ ንጉስ ዘይመጸ። 30 ሽዑ ኹራ ሳኦል ኣብ ዮናታን ነዲዱ፡ ኣታ ወዲ እዛ ጠዋይ
ዓለወኛ፡ ንነውርኻን ንነውሪ ሕፍረት ኣዴኻን ዚኸውን ንወዲ እሴይ ከም ዝሐሬኻስ ኣይፈልጥን ድየ፤ 31
ወዲ እሴይ ብህይወቱ ኣብ ምድሪ ኽሳዕ ዘሎስ፡ ንስኻ ኾነ ሓደው መንግስትኻ ኣይትጸንዕን። ሕጂ ኸኣ
ንሱ ወዲ ሞት እዩ እሞ፡ ልኢኽካ ኣምጽኣለይ፡ በሎ። 32 ዮናታን ከኣ ነቦኡ ሳኦል፡ ስለምንታይ እዩ
ዚመውት፡ እንታይከ ገይሩ እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። 33 ሳኦል ድማ ኪወግኦ ኹናት ወርወረሉ። ሽዑ ዮናታን፡
ኣቦኡ ንዳዊት ኪቕትሎ ኸም ዝመደበ፡ ፈለጠ። 34 ዮናታን ድማ ብኹራ ነዲዱ ኻብቲ መኣዲ ተንስኤ፡
ኣቦኡ ንዳዊት ስለ ዘስተሐፈሮ ምእንታኡ ጉህዩ ነበረ እሞ፡ በታ ኻልኣይቲ መዓልቲ ወርሒ እንጌራ
ኣይበልዔን። 35 ኰነ ድማ ንጽብሒቱ ዮናታን ከምቲ ምስ ዳዊት እተሳማምዖ ናብ መሮር ወጸ፡ ንእሽቶ
ወዲውን ምስኡ ነበረ። 36 ነቲ ጊልያኡ ኸኣ፡ ጉየ እሞ ነቲ ኣነ ዝውርውሮ ፍላጻታት ድለዮ፡ በሎ። እቲ
ወዲ ኺጐዪ ኸሎ፡ ንሱ ድማ ፍላጻ ወርዊሩ ብልዕሊኡ ኣሕለፈ። 37 እቲ ወዲ ኣብታ ዮናታን ፍላጻ
ዝውርወረላ ቦታ ምስ በጽሔ፡ ዮናታን ደድሕሪ እቲ ወዲ ጸዊዑ፡ እቲ ፍላጻ ኽንየውካዶ ኣይኰነን፤
በሎ። 38 ዮናታን ድማ፡ ተሎ ኢልካ ቐልጥፍ፡ ደው ኣይትበል፡ ኢሉ ደድሕሪ እቲ ወዲ ጨደረ። እቲ
ጊልያ ዮናታን ድማ ነቲ ፍላጻታት ኣኪቡ ናብ ጐይታኡ መጸ። 39 ነቲ ነገር ዮናታንን ዳዊትን ጥራይ
ይፈልጥዎ ነበሩ እምበር፡ እቲ ወዲ ገለ እኳ ኣይፈለጠን። 40 ዮናታን ከኣ መሳርያኡ ነቲ ጊልያኡ ሂቡ፡
ኪድ ናብ ከተማ ኣእትዎ፡ በሎ። 41 እቲ ወዲ ምስ ከደ ድማ፡ ዳዊት ካብ ወገን ደቡብ ተንሲኡ፡ ብገጹ
ናብ ምድሪ ተደፊኡ ሰለስተ ሳዕ ፍግም በለ። ንሓድሕዶም ከኣ ተሳዓዒሞም፡ ብሓደ ኾይኖምውን በኸዩ፡
ምናዳ እኳ ዳዊት ኣዝዩ በኸየ። 42 ዮናታን ድማ ንዳዊት፡ ብሰላም ኪድ፡ ንሕና ኽልቴና፡ ኣብ መንጎይን
ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ ዘርኤይን ዘርእኻን እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ምስክር ይኹን፡ ኢልና ብስም
እግዚኣብሄር ተማሓሒልና ኢና፡ በሎ። 43 ንሱ ኸኣ ተንሲኡ ኸደ፡ ዮናታን ድማ ናብ ከተማ ኣተወ።

## ምዕራፍ 21

1 ዳዊት ድማ ናብቲ ኻህን ኣሂሜሌክ ናብ ኖብ መጸ፡ ኣሂሜሌክ ከኣ ራዕራዕ እናበለ ንዳዊት ኪቃባበሎ
መጸ፡ ከምዚ ኢሉውን ጠየቖ፡ ስለምንታይ ኢኻ ሰብ ዜብልካ በይንኻ፧ በሎ። 2 ዳዊት ድማ ንኻህን
ኣሂሜሌክ፡ ንጉስ፡ እቲ ኣነ ዝለኣኽኩኻ ነገርን እቲ ዝኣዝዝኩኻን ሓደ ሰብ እኳ ኣይፍለጦ፡ ኢሉ ኣዚዙኒ
እዩ እሞ ነቶም ኣጉባዝ ናብ ከምዝን ከምዝን ዝበለ ቦታ ኣመልከትክዎም። 3 ሕጂ ኸኣ ኣብ ኢድካ
እንታይ ኣሎ፧ ሓሙሽተ እንጌራ ወይ እተረኽበ ኣብ ኢደይ ሀበኒ፡ በሎ። 4 እቲ ኻህን ድማ ንዳዊት፡
ማንም ዚበልዖ እንጌራ ኣብ ኢደይ የልቦን፡ እቶም ኣጉባዝ ካብ ኣንስቲ እንተ ተሐልዮም ግና፡ ቅዱስ
እንጌራ ኣሎ፡ ኢሉ መለሰሉ። 5 ዳዊት ከኣ ነቲ ኻህን፡ ብሓቂ ኣንስትስ ካብ ትማልን ቅድሚ ትማልን ካባና
ፍሉያት እየን፡ ኣቓሑ እቶም ኣጉባዝ ድማ በታ ዝወጻእኩላ ጊዜ ቅዱስ ነበረ፡ እታ መገዲ እኳ
ዘይቅድስቲ እንተ ኾነት፡ ሎምስ በቲ ኣቓሑ ትቕደስ እያ፡ ኢሉ መለሰሉ። 6 እቲ ኻህን ከኣ፡ ብዘይ እቲ
ኻብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እተላዕለ እንጌራ ምርኣይ፡ በታ እተላዕለላ መዓልቲ ውዑይ እንጌራ ምእንቲ
ኼንብሩ፡ ኣብኡ ኻልእ እንጌራ ስለ ዘይነበረ፡ እቲ ቅዱስ እንጌራ ሀቦ። 7 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ካብ
ገላዉ ሳኦል ዶኤግ ዝስሙ ኤዶማዊ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዚሕሎ ኣብኡ ነበረ፡ ንሱ ሓለቓ ጓሶት
ሳኦል ነበረ። 8 ዳዊት ድማ ንኣሂሜሌክ፡ እቲ ናይ ንጉስ ነገር ስለ ዝህወኸ፡ ሴፈይን ኣጽዋረይን
ኣይተማላእኩን እሞ፡ ገለ ዅናት ወይ ሴፍ ኣብዚ ኣብ ኢድካዶ የልቦን፧ በሎ። 9 እቲ ኻህን ድማ፡ ሴፍ
እቲ ንስኻ ኣብ ለሰ ድዋ ዝቐተልካዮ ጎልያድ፡ እቲ ፍልስጥኤማዊ፡ እንሆ፡ ንሱ ብዓለባ ተሸፊኑ ኣብ
ድሕሪ ኤፎድ፡ ኣብኡ ኣሎ፡ ኣብዚ ብጀካኡ ኻልእ የልቦን እሞ፡ ክትወስዶ እንተ ደሌኻስ፡ ውሰዶ፡ በለ።
ዳዊት ከኣ፡ ከምኡ ዝበለ የልቦን፡ ሀበኒ፡ በለ። 10 ዳዊት ድማ ተንሲኡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ ቅድሚ
ሳኦል ሀዲሙ፡ ናብ ኣኪሽ ንጉስ ጋት መጸ። 11 ንኣኪሽ ከኣ እቶም ገላዉኡ፡ እዝስ ዳዊት፡ ንጉስ እታ ሃገር
ደይኮነን፧ እቲ፡ ሳኦል ሽሑ፡ ዳዊት ከኣ እልፋ ቐተለ፡ ኢለን እናሳዕሰዓ ዝደረፋሉ፡ እዚ ደይኮነን፧
በልዎ። 12 ዳዊት ድማ ነዚ ዘረባ እዚ ኣብ ልቡ ኣንበሮ፡ ንኣኪሽ ንጉስ ጋት ከኣ ኣዝዩ ፈርሆ። 13 ኣብ
ቅድሚኦም ከኣ ህልዋቱ ለወጠ፡ ኣብ ኢዶም ድማ ከም ዕቡድ ኰነ፡ ንመዓጹ እቲ ደገውን ሐንፈጦ፡
ልዛዩ ኸኣ ብጭሕሙ ጀበብ ይብል ነበረ። 14 ሽዑ ኣኪሽ ንገላዉኡ፡ እንሆ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ዕቡድ
ምዃኑ ትርእይዎ ኣሎኹም፡ ስለምንታይ ናባይ ኣምጻእኩምዎ፧ 15 ኣብ ቅድመይ ኪዐብድ
ዘምጻእኩምለይሲ፡ ዕቡዳትዶ ስኢነ እየ፧ እዚዶ ናብ ቤተይ ይአቱ፧ በሎም።

## ምዕራፍ 22

1 ዳዊት ድማ ካብኡ ኸይዱ ናብ በዓቲ ኣዱላም ሀደመ። ኣሕዋቱን ብዘለዉ ቤት ኣቦኡን እዚ ምስ ሰምዑ
ኸኣ፡ ናብኡ ወረዱ። 2 ኵሎም ጭኑቓት ሰብን ኵሎም ሰብ ዕዳን ኵሎም ነፍሶም እተመረረት ሰብን
ናብኡ ተኣከቡ፡ ኣብ ልዕሊኦም ድማ ሓለቓ ኾነ፡ ኣስታት ኣርባዕተ ሚእቲ ሰባት ከአ ምስኡ ነበሩ። 3
ካብኡ ድማ ዳዊት ናብ ሚጽጳ ናይ ሞኣብ ከደ፡ ንንጉስ ሞኣብ ከኣ፡ ኣምላኽ ዝገበረኒ ኽሳዕ ዝፈልጥሲ፡
በጃኻ ኣቦይን ኣደይን ምሳኻትኩም ኪኾኑ ይምጽኡ፡ በሎ። 4 ናብ ቅድሚ ንጉስ ሞኣብ ድማ ኣምጽኦም፡
ክሳዕ እተን ዳዊት ኣብ እምባ ዝነበረለን መዓልትታት ከኣ ምስኡ ተቐመጡ። 5 ነብዩ ጋድ ድማ ንዳዊት፡
ኣብዚ እምባ ኣይትቀመጥ፡ ንቕል እሞ ናብ ምድሪ ይሁዳ ኺድ፡ በሎ። ሽዑ ዳዊት ከይዱ ናብ ዱር
ሓረት መጸ። 6 ሳኦል ድማ፡ ዳዊትን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባትን ከም እተጋህዱ፡ ሰምዔ። ሳኦል ከኣ ኣብ
ጊብዓ ዅናቱ ሒዙ ኣብ ትሕቲ እታ ኣብ በሪኽ ዘላ ኦም ተቐመጠ፡ ኵሎም ገላዉኡ ድማ ምስኡ ደው

ኢሎም ነበሩ። 7 ሳኦል ከኣ ነቶም ምስኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ገላዉኡ፡ ኣቱም ብንያማውያን፡ እስከ
ስምዑ፡ ወዲ እሴይሲ ንኹሉኹምዶ ግርሁን ኣታኽልቲ ወይንን ኪህበኩም እዩ፧ ንኹሉኹምዶኸ ሓላቑ
ሽሕን ሓላቑ ሚእትን ኪገብረኩም እዩ፧ 8 ኲሉኹም ደአ እተማሓሐልኩምለይ፡ ወደይውን ምስ ወዲ
እሴይ ኪዳን ከም እተኣታተወ፡ ሓደ እኳ ዝነገረኒ የልቦን። ወደይ ንጊልያይ ከምዚ ናይ ሎሚ ዘሎ
ንምድባቕ ኬተንስኣለይ ከሎ፡ ካባኻትኩም ሓደ እኳ ዝሐመመለይን ዝገለጸለይን የልቦን፡ በሎም። 9 ሽዑ
ዶኤግ እቲ ኤዶማዊ፡ ምስቶም ገላው ሳኦል ደው ኢሉ ዝነበረ፡ ንወዲ እሴይ ናብ ኣሂሜሌክ ወዲ
ኣሒጡብ፡ ኣብ ኖብ መጺኡ ርእየዮ። 10 ንሱ ድማ ንእግዚኣብሄር ጠየቐሉ፡ ምግቢውን ሀቦ፡ ሴፍ
ጎልያድ እቲ ፍልስጥኤማዊ ኸኣ ሀቦ፡ ኢሉ መለሰ። 11 ሽዑ እቲ ንጉስ ንኻህን ኣሂሜሌክ ወዲ ኣሒጡብን
ንብዘላ ቤት ኣቦኡ፡ ኣብ ኖብ ዝነበሩ ኻህናትን ልኢኹ ጸውዖም። ኲሎም ከኣ ናብ ንጉስ መጹ። 12 ሳኦል
ድማ፡ ኣታ ወዲ ኣሒጡብ፡ እስኪ ስምዓኒ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ ጐይታይ፡ ኢሉ መለሰ። 13 ሳኦል
ድማ፡ ንሱ፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ዘሎ፡ ንድብቕ ኪትንስኣኒ፡ ንእኡ እንጌራን ሴፍን ብምሃብካ፡ ኣብ
ከንዳኡውን ንኣምላኽ ብምጥያቕካ፡ ስለምንታይ ንስኻን ወዲ እሴይን እተማሓሓልኩምለይ፧ በሎ። 14
ኣሂሜሌክ ከኣ ንንጉስ፡ ካብ ኲሎም ገላዉኻኸ ከም ዳዊት ገይሩ እተኣምነ፡ ሓሙ ንጉስውን ዝኾነ፡
ዚእዘዘካ ድማ፡ ኣብ ቤትካውን ዝኸበረ፡ መን እዩ፧ 15 ሎሚ ድየ ንኣምላኽ ክጥይቐሉ ዝጀመርኩ፧ እዝስ
ካባይ ይርሓቕ፡ ጊልያኻ እዚ ኹሉ ነገር እዚ፡ ንእሽቶ ኾነ ወይ ዓብዩ፡ ኣይፈልጥን እዩ እሞ፡ ንጉስ
ንጊልያኡን ንብዘላ ቤት ኣቦይን ነገር ኣይጽዐኖም፡ ኢሉ መለሰሉ። 16 ንጉስ ግና፡ ኣሂሜሌክ፡ ንስኻን ብዘላ
ቤት ኣቦኻን ብርግጽ ክትሞቱ ኢኹም፡ በለ። 17 እቲ ንጉስ ከኣ ነቶም ከቢቦምዎ ዝቘሙ ዘብዓኛታት፡
ዳዊት ከም ዝሀደመ ፈሊጦም ከለዉ ስለ ዘይነገሩኒ፡ ኢዶምውን ምስኡ ስለ ዝኾነት፡ ዜርኩም ንኻህናት
እግዚኣብሄር ቅተልዎም፡ በሎም። እቶም ገላዉ ንጉስ ግና ንምቕታል ካህናት እግዚኣብሄር ኢዶም
ኪዝርግሑ ኣይፈተዉን። 18 ሽዑ እቲ ንጉስ ንዶኤግ፡ ንስኻ ዜርካ ነዞም ካህናት ቅተሎም፡ በሎ። ዶኤግ
እቲ ኤዶማዊ ድማ ዞይሩ ነቶም ካህናት ቀተሎም። ንሱ በታ መዓልቲ እቲኣ ሰማንያን ሓሙሽተን ኤፎድ
ልሕጺ እንግጢፅ ዝለበሱ ሰባት ቀተለ። 19 ንኖብ ነታ ኸተማ ኻህናት ድማ ብስሕለት ሴፍ ወቕዓ፡
ሰብኡትን ኣንስትን ቈልዑን ዚጠብዉ ሕጻናትን ኣብዑርን ኣእዱግን ኣባጊዕን ብስሕለት ሴፍ ቀተለ። 20
ሓደ ኻብቶም ደቂ ኣሂሜሌክ፡ ወዲ ኣሒጢብሲ፡ ኣብያታር ዝስሙ ኣምሊጡ ደድሕሪ ዳዊት ሀደመ። 21
ኣብያታር ከኣ ሳኦል ንኻህናት እግዚኣብሄር ከም ዝቐተሎም ንዳዊት ነገሮ። 22 ዳዊት ድማ ንኣብያታር፡
ዶኤግ እቲ ኤዶማዊ ኣብኡ ኸሎ፡ እዚ ንሳኦል ርግጽ ከም ዚነግሮ፡ ሽዑ መዓልቲ ፈሊጠ። ንኹለን
ነፍሳት ቤት ኣቦኻ ምኽንያት ሞተን ኣነ እየ። 23 እቲ ንነፍሰይ ዚደልያ ንነፍስኻ ድማ ይደልያ እዩ እሞ፡
ንስኻ ምሳይ ክትሕሎስ ምሳይ ተቐመጥ፡ ኣይትፍራህ፡ በሎ።

## ምዕራፍ 23

1 ንዳዊት ድማ፡ እንሆ፡ ፍልስጥኤማውያን ንቅዒላ ይዋግእዋ፡ ኣዕውዲውን ይወርሩ ኣለዉ፡ ኢሎም
ነገርዎ። 2 ሽዑ ዳዊት፡ ነዞም ፍልስጥኤማውያንዶ ኽዋግኦም ክኸይድ፧ ኢሉ ንእግዚኣብሄር ጠየቐ።
እግዚኣብሄር ከኣ ንዳዊት፡ ኪድ ንፍልስጥኤማውያን ተዋጊእካ ንቅዒላ ኣድሕና፡ በሎ። 3 ግናኸ ንዳዊት
እቶም ሰቡ፡ እንሆ፡ ንሕና ኣብዚ ኣብ ይሁዳ ኸሎና እኳ፡ እንፈርህ ዘሎናስ፡ ናብ ሰራዊት
ፍልስጥኤማውያን ንቅዒላ እንተ ኸድና ግዳ ኺገድድ ደይኮነን፧ በልዎ። 4 ሽዑ ዳዊት መሊሱ
ንእግዚኣብሄር ጠየቐ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ኣነ ፍልስጥኤማውያን ኣብ ኢድካ ሂበካ እየ እሞ፡ ተንሲእካ

ናብ ቅዒላ ውረድ፡ ኢሉ መለሰሉ። 5 ዳዊት ከኣ ምስ ሰቡ ናብ ቅዒላ ኸይዱ፡ ምስ ፍልስጥኤማውያን
ተዋግኤ፡ ከብቶም ድማ ዘመተ፡ ብርቱዕ ስዕረት ከኣ ሰዐሮም። በዚውን ዳዊት ነቶም ኣብ ቅዒላ ዚነብሩ
ኣድሐኖም። 6 ኰነ ኸኣ፡ ኣብያታር ወዲ ኣሂሜላክ፡ ናብ ዳዊት ናብ ቅዒላ ምስ ሀደመ፡ ኤፎድ ኣብ ኢዱ
ሒዙ ወረደ። 7 ንሳኦል ድማ ዳዊት ናብ ቅዒላ ኸም ዝኣተወ ነገርዎ። ሳኦል ከኣ፡ ናብታ ማዕጾን መሸጐርን
ዘለዋ ኸተማ ኣትዩ ተዐጽዩ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ሂቡኒ እዩ፡ በለ። 8 ሳኦል ድማ
ንዳዊትን ንሰቡን ኪኸቦም ንብዘሎ ህዝቢ ኺዋግኡ ናብ ቅዒላ ኺወርዱ ኣወጀሎም። 9 ዳዊት ግና ሳኦል
ክፉእ ከም ዝመኸረሉ ፈሊጡ ንኻህን ኣብያታር፡ ኤፎድ ኣምጽእ፡ በሎ። 10 ዳዊት ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል፡ ሳኦል ናብ ቅዒላ መጺኡ ብሰረይ ነዛ ኸተማ ኺጥፍኣ ኸም ዚደሊ፡ ባርያኻ ብርግጽ
ሰሚዑ ኣሎ። 11 ከምቲ ባርያኻ ዝሰምዖ፡ ሳኦልዶ ኺወርድ እዩ፡ ሰብ ቅዒላኸ ኣሕሊፎምዶ ኣብ ኢዱ
ኺህቡኒ እዮም፧ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ በጃኻ እዚ ንባርያኻ ኣፍልጦ፡ በለ። 12 ዳዊት ድማ፡
ሰብ ቅዒላኸ ንኣይን ንሰበይንዶ ኣሕሊፎም ኣብ ኢድ ሳኦል ኪህቡኒ እዮም፧ በለ። እግዚኣብሄር ከኣ፡
እወ፡ ኣሕሊፎም ኪህቡኻ እዮም፡ በለ። 13 ሽዑ ዳዊትን እቶም ሹድሽተ ሚእቲ ዝኾኑ ሰቡን ተላዒሎም
ካብ ቅዒላ ወጹ። ኪኸድዎ ናብ ዝኸኣሉ ዘበለ ድማ ተመላለሱ። ንሳኦል ከኣ፡ ዳዊት ካብ ቅዒላ ኸም
ዝሀደመ ምስ ነገርዎ፡ ምውጻእ ሐደገ። 14 ዳዊት ከኣ ኣብ በረኻ ኣብ እምባታት ተቐመጠ፡ ኣብቲ ኣብ
በረኻ ዚፍ ዘሎ ኸረንውን ይቕመጥ ነበረ። ሳኦል ከኣ ኵሉ መዓልቲ ይደልዮ ነበረ፡ ኣምላኽ ግና ኣብ
ኢዱ ኣይሀቦን። 15 ዳዊት ድማ ሳኦል ንነፍሱ ኺደልያ ኸም ዝወጸ ርእዩ፡ ኣብ በረኻ ዚፍ ኣብ ዱር ነበረ።
16 ዮናታን ወዲ ሳኦል ድማ ተንሲኡ ናብ ዳዊት ናብቲ ዱር ከደ፡ ኢዱ ኸኣ ብኣምላኽ ኣጽንዔ። 17 ንሱ
በሎ፡ ኢድ ኣቦይ ሳኦል ኣይትረኽበካን እያ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ንስኻ ንጉስ እስራኤል ክትከውን ኢኻ፡ ኣነ
ኸኣ ካልኣይካ ክኸውን እየ፡ ነዚ ድማ ኣቦይ ሳኦል ፈሊጥዎ ኣሎ። 18 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ
ክልቲኦም ኪዳን ተኣታተዉ። ዳዊት ድማ ኣብቲ ዱር ተቐመጠ፡ ዮናታን ከኣ ናብ ቤቱ ኸደ። 19 ሽዑ
ዚፋውያን ናብ ሳኦል ናብ ጊብዓ ደዪቦም ከምዚ በሉ፡ ዳዊት ኣብቲ ኣብ ዱር ዘሎ እምባታት ኣብ ልዕሊ
እቲ ብደቡብ በረኻ ዘሎ ኾርባ ሓኪላ ተሐቢኡዶ ኣየሎን፧ 20 ሕጂ ኸኣ፡ ዎ ንጉስ፡ ምውራድሲ፡ ከምቲ
ኹሉ ድላይ ነፍስኻ ውረድ፡ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሕሊፍካ ምሃብ ግና ናትና እዩ፡፡ 21 ሳኦል ድማ በለ፡ ስለ
ዝደንገጽኩምለይ ብእግዚኣብሄር ብሩኻት ኢኹም፡፡ 22 ንሱ ኣዝዩ ጎራሕ ከም ዝኾነ፡ ነጊሮምኒ እዮም
እሞ፡ በጃኹም ኬድኩም እግሩ ኣብ ኣየናይ ቦታ ኸም ዝረገጸት፡ ኣብኡ ኸኣ መን ከም ዝረኣዩ፡
መሊስኩም ኣርጊጽኩም ፍለጡን ርኣዩን፡፡ 23 እቲ ንሱ ዚሕብኣሉ ዘበለ መሕቢኢታት ርኢኹም ከኣ
ፍለጡ፡ እቲ ነገሩ ምስ ኣርገጽኩምዎ ድማ ናባይ ተመለሱ እሞ፡ ምሳኻትኩም ክኸይድ እየ፡፡ ኪኸውን
ድማ እዩ፡ ኣብታ ሃገር እንተሎ፡ ኣብ ኵሎም ኣሸሓት ይሁዳ ኺደልዮ እየ፡፡ 24 ንሳቶም ከኣ ተንሲኦም
ቀቅድሚ ሳኦል ናብ ዚፍ ከዱ፡፡ ዳዊትን ሰቡን ግና ኣብ በረኻ ማዖን ነቲ በረኻ ብወገን ደቡቡ ኣብ ዘሎ
ጎልጎል ነበሩ፡፡ 25 ሳኦልን ሰቡን ድማ ኪደልይዎ ኸዱ፡፡ ንዳዊት ምስ ነገርዎ ኸኣ፡ ናብቲ ኸውሒ ወሪዱ፡
ኣብ በረኻ ማዖን ተቐመጠ፡፡ ሳኦል ድማ፡ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ደድሕሪ ዳዊት ናብ በረኻ ማዖን ሰዓበ፡፡ 26
ሳኦል ከኣ ነቲ ኸረን ብሓደ ወገኑ፡ ዳዊትን ሰቡን ድማ ነቲ ኸረን በቲ ኻልኣይ ወገኑ ኸዱ፡፡ ሳኦልን ሰቡን
ንዳዊትን ሰቡን ኪሕዝዎም ከቢቦምዎ ነበሩ እሞ፡ ዳዊት ኣብ ቅድሚ ሳኦል ቀልጢፉ ህደመ፡፡ 27 ሽዑ
ልኡኽ ናብ ሳኦል መጺኡ፡ ነዛ ሃገር ፍልስጥኤማውያን ኣትዮምዋ ኣለዉ እሞ፡ ቀልጢፍካ ንዓ፡ በሎ፡፡ 28
ሳኦል ድማ ደድሕሪ ዳዊት ካብ ምስዓብ ተመልሰ፡ ንፍልስጥኤማውያን ኪቃባበሎም ከደ፡ ስለዚ ኸኣ
ነታ ቦታ ሴላዕማሕልቆት ኢሎም ሰመይዋ፡፡

# ምዕራፍ 24

1 ዳዊት ድማ ካብኡ ደዪቡ ኣብ ጽኑዕ ቦታታት ዔንገዲ ተቐመጠ፡፡ 2 ኮነ ኸኣ፡ ሳኦል ደድሕሪ
ፍልስጥኤማውያን ካብ ምስዓብ ምስ ተመልሰ፡ እንሆ፡ ዳዊት ኣብ በረኻ ዔንገዲ ኣሎ፡ ኢሎም ነገርዎ፡፡ 3
ሽዑ ሳኦል፡ ካብ ብዘሎ እስራኤል እተሓረዩ ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይ ወሲዱ፡ ንዳዊትን ሰቡን ኣብ ኣኻውሕ
ጤለበዱ ኺደልይዎ ከደ፡፡ 4 ናብቲ ጥቓ መገዲ ዝነበረ ደምቤታት ኣባጊዕ ድማ መጸ፡ ኣብኡ ኸኣ በዓቲ
ነበረ፡ ሳኦል ድማ እግሩ ኪኸድን ኣተወ። ዳዊትን ሰቡን ከኣ ኣብ ውሽጢ እቲ በዓቲ ተቐሚጦም ነበሩ። 5
ሽዑ እቶም ሰብ ዳዊት፡ እታ እግዚኣብሄር፡ ነቲ ጸላኢኻ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእየካ ኽትገብሮስ፡ እንሆ፡
ኣነ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ፡ ዝበለካ መዓልቲ እንሃ፡ ሎሚ እያ፡ በልዎ። ዳዊት ድማ ተንሲኡ ቐስ ኢሉ
ጫፍ ከዳን ሳኦል ቈረጸ። 6 ድሕርዚ ግና፡ ጫፍ ከዳን ሳኦል ስለ ዝቘረጸ፡ ንዳዊት ልቡ ወቐሶ። 7 ንሰቡ
ድማ፡ ንሱ ቕቡቕ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ ንጐይታይ፡ ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር፡ ኢደይ ናብኡ ዘርጊሔ
እዚ ነገር እዚ ምግባርሲ እግዚኣብሄር ካባይ የርሕቆ፡ በሎም። 8 ዳዊት ነቶም ሰቡ ብዘረባኡ ዐገቶም፡ ኣብ
ሳኦል ኪትንስኡ ድማ ኣይፈቐደሎምን። ሳኦል ከኣ ካብቲ በዓት ተንሲኡ መገዱ ኸደ። 9 ድሕርዚ ዳዊት
ተንሲኡ ኻብቲ በዓቲ ወጸ፡ ዎ ጐይታይ ንጉስ፡ ኢሉ ኸኣ ደድሕሪ ሳኦል ጸውዔ። ሳኦል ድማ ንድሕሪኡ
ግልጽ በለ እሞ፡ ዳዊት ብገጹ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ፍግም በለ። 10 ዳዊት ድማ ንሳኦል በሎ፡ ስለምንታይ
ኢኻ ዘረባ እቶም፡ እንሆ፡ ዳዊት ንኽፉእካ እዩ ዚደሊ፡ ዚብሉኻ ሰባት እትሰምዕ፧ 11 እግዚኣብሄር ሎሚ
ኣብቲ በዓቲ ንኣኻ ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ኸም ዝሀበኒ፡ ሎሚ መዓልቲ ኣዒንትኻ ርእየን እየን። ክቐትለካ
ድማ መኸሩኒ። ኣነ ግና፡ ንሱ ቕቡእ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ ኢደይ ናብ ጐይታይ ኣይዝርግሕን ኢለ
ነሐፍኩኻ። 12 ኣቦየ፡ ርኤ፡ እወ፡ እቲ ጫፍ ከዳንካ ኣብ ኢደይ ከም ዘሎን፡ ርኤ፡ ጫፍ ከዳንካ ክቘርጽ
ከሎኹ፡ ንኣኻ ብዘይ ምቕታለይ ኣብ ኢደይ ክፍኣት ኰነ፡ በደል ኰነ ከም ዜልቦ ፍለጥን ርኤን። ንስኻ
ኸኣ ንነፍሰይ ክትወስድ እትደሊ ኽነስኻስ፡ ኣባኻ ኣይሐጣእኩን። 13 እግዚኣብሄር ኣብ መንጎይን ኣብ
መንጎኻን ይፍረድ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንኣኻ ሕነ ይፍደየለይ፡ ኢደይ ግና ኣባኻ ኣይትኸውንን እያ። 14
ከምቲ ምስላ እቶም ቀዳሞት፡ ክፉእ ካብቶም ክፉኣት ይወጽእ፡ ዚብሎ እዩ። ኢደይ ግና ኣባኻ
ኣይትኸውንን እያ። 15 ንጉስ እስራኤል ደድሕሪ መን እዩ ወጺኡ ዘሎ፡ ንመንከ ኢኻ ንስኻ እትሰጎ ዘሎኻ፡
ንምዉት ከልቢ፡ ንሓደ ቔንጪ። 16 ስለዚ እግዚኣብሄር ዳኛ ኰይኑ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን
ይፍረድ፡ ንሱ ኸኣ ርእዩ ንነገረይ ይከላኸለለይ፡ ፈሪዱ ድማ ካብ ኢድካ የድሕነኒ። 17 ኰነ ኸኣ፡ ዳዊት
እዚ ዘረባ እዚ ንሳኦል ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፡ ሳኦል፡ እዚ ቓል እዚ ቓልካ ድዩ ወደይ ዳዊት፧ ኢሉ ድማ፡
ሳኦል ዓው ኢሉ በኸየ። 18 ንዳዊት ከኣ በሎ፡ ኣነ ኽፉእ እናገበርኩኻ፡ ጽቡቕ ጌርካለይ ኢኻ እሞ፡
ካባይሲ ንስካ ትጸድቕ። 19 እግዚኣብሄር ኣብ ኢድካ ኣሕሊፉኒ ኽነሱስ፡ ንኣይ ብዘይ ምቕታልካ ንስኻ
ጽቡቕ ከም ዝገበርካለይ፡ ሎሚ ኣርኤኻ። 20 ሰብ ንጸላኢሉ ምስ ዚረኽቦስ፡ ብደሓንዶ መገዱ ይሰዶ፧
ስለዚ ድማ ዝገበርካለይ እግዚኣብሄር ጽቡቕ ይፍዴኻ። 21 ሕጂ ኸኣ፡ እንሆ ንስኻ ብርግጽ ከም እትነግስ፡
እታ መንግስቲ እስራኤል ድማ ኣብ ኢድካ ኸም እትቐውም፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 22 ሕጂ ኸኣ፡ ብድሕረይ
ንዘርኤይ ከይተጽንቶ፡ ንስመይውን ካብ ቤት ኣቦይ ከይተጥፍኦ፡ ብእግዚኣብሄር ምሐለለይ። 23 ዳዊት
ድማ ንሳኦል መሐለሉ። ሽዑ ሳኦል ናብ ቤቱ ኸደ፡ ዳዊትን ሰቡን ግና ናብ እምባ ደየቡ።

# ምዕራፍ 25

1 ሳሙኤል ድማ ሞተ። ብዘለዉ እስራኤል ከኣ ተኣኪቦም በኸዩሉ፡ ኣብ ራማ ኣብ ቤቱ ድማ ቀበርዎ።

ሽዑ ዳዊት ተንሲኡ ናብ በረኻ ጳራን ወረደ። 2 ሓደ ሰብኣይ፡ ተግባሩ ኣብ ቀርሚሎስ ከሎ፡ ኣብ ማዖን
ነበረ፡ እቲ ሰብኣይ ድማ ኣዝዩ ሃብታም ነበረ። ሰለስተ ሽሕ በጊዕ፡ ሽሕ ከኣ ጤል ነበራኦ፡ በቲ ጊዜ ቲ
ድማ፡ ኣባጊዑ ኪቈርጽ ኣብ ቀርሜሎስ ነበረ። 3 ስም እቲ ሰብኣይ እቲ ኸኣ ናባል፡ ስም ሰበይቱ ድማ
ኣቢጋይል ነበረ። እታ ሰበይቱ ኸኣ ኣዝያ ኣስተውዓሊትን መልክዔኛን ነበረት። እቲ ሰብኣይ ግና ጨካን
ግብሩ ድማ ክፉእ ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ካብ ዓሌት ካሌብ ነበረ። 4 ዳዊት ድማ ኣብ በረኻ ኸሎ፡ ናባል ኣባጊዑ
ይቈርጽ ከም ዘሎ ሰምዔ። 5 ሽዑ ዳዊት ዓሰርተ ኣጕባዝ ለኣኸ፡ ዳዊት ከኣ ነቶም ኣጕባዝ በሎም፡ ናብ
ቀርቤሎስ ደዪብኩም ናብ ናባል እተዉ እሞ ብስመይ፡ ከመይ ኢልካ ኣሎኻ፡ በልዎ። 6 ከምዚ ድማ
በልዎ፡ ጥዕና ይሀበለይ፡ ንኣኻ ሰላም፡ ንቤትካ ሰላም፡ ንዘሎካ ዅሉውን ሰላም። 7 ሕጂ ኸኣ ቈረጽቲ
ኣባጊዕ ከም ዘለዉኻ ሰሚዔ። እምበኣርሲ እቶም ጓሶትካ ምሳና እዮም ዝነበሩ፡ በቲ ኣብ ቀርሜሎስ
ዝነበሩሉ ዅሉ ጊዜ ኣየስተሐፈርናዮምን፡ ገለ እኳ ድማ ኣይጠፍኦምን። 8 ንገላዉኻ ጠይቆም፡ ንሳቶም
ከኣ ኪነግሩኻ እዮም። ብጽብቕቲ መዓልቲ መጽእና ኣሎና እሞ፡ እዞም ኣጕባዝ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ
ይርከቡ፡ በጃኻ፡ ኣብ ኢድካ እተረኽበ ንገላዉኻን ንወድኻን ዳዊትን ሀቦም። 9 እቶም ገላዉ ዳዊት ምስ
መጹ ድማ፡ እዚ ነገርዚ እዚ ዅሉ ብስም ዳዊት ንናባል ነገርዎ፡ ስቕ ከኣ በሉ። 10 ናባል ድማ ነቶም ገላዉ
ዳዊት፡ ዳዊት መን እዩ፧ ወዲ እሴይከ መን እዩ፧ ሎምስ ከካብ ጐይተቶም ዝመለቑ ገላዉ ብዙሓት
እዮም። 11 እንገኢራይን ማየይን እቲ ንቘረጽቲ ኣባጊዔይ ኢሉ ዝሐረድክዎ ሕሩደይን ወሲደስ፡ ካበይ
ምዃኖም ንዘይፈልጦም ሰባትዶ ኽሀቦም እየ፧ ኢሉ መለሰሎም። 12 እቶም ገላዉ ዳዊት ድማ መገዶም
ተመልሱ። መጺኦም ድማ እዚ ነገር እዚ ዅሉ ነገርዎ። 13 ሽዑ ዳዊት ነቶም ሰቡ፡ ነፍሲ ወከፍኩም
ሴፍኩም ተዐጠቑ፡ በለ። ነፍሲ ወከፍ ድማ ሴፉ ተዐጥቀ፡ ዳዊትውን ሴፉ ተዐጥቀ። ደድሕሪ ዳዊት ከኣ
ኣስታት ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብኣይ ደየቡ። ክልተ ሚእቲ ኸኣ ኣብ ኣቓሑ ተቐመጡ። 14 ንኣቢጋይል
ሰበይቲ ናባል ድማ ሓደ ኻብቶም ኣጕባዝ ከምዚ በላ፡ እንሆ፡ ዳዊት ካብ በረካ ንጐይታና ሰላም
ኪብልዎ ልኡኻት ሰደደ፡ ንሱ ኸኣ ሰጐጎም። 15 እዞም ሰባት እዚኣቶም ግና ንኣናስ ብዙሕ ሕያዎት እዮም
ዝነበሩ፡ ኣየስተሐፈሩናንውን፡ በቲ ኣብ በረኻ ምሳታቶም እተማላለስናሉ ዅሉ ጊዜ ድማ ገለ እኳ
ኣይጠፍኣናን። 16 እቲ ኣባጊዕ ክንጓሲ ምሳታቶም ከሎና ለይቲ ኾነ፡ መዓልቲ ኾነ፡ ኲሉ ጊዜ መካበብያ
ኾይኖምና ነበሩ። 17 ንሱ ድማ ሓደ እኳ ኺዛረቦ ዘይኽእል ወዲ ብልያል እዩ እሞ፡ ሕጂ ንጐይታናን
ንብዘላ ቤቱን ክፉእ ተመዲብዎ ኣሎ፡ ስለዚ ርአዩ፡ እትገብርዮ ኸኣ ፍለጢ። 18 ሽዑ ኣቢጋይል ቀልጢፋ
ኽልተ ሚእቲ እንጌራ ክልተ ሓርቢ ወይንን ሓሙሽተ ብሱላት ኣባጊዕን ሓሙሽተ መስፈር ጥቡስ ሰዊትን
ሚእቲ ጐኅ ዘቢብን ክልተ ሚእቲ ጐኅ በለስን ወሲዳ ኣብ ኣእዱግ ኣጽዐነቶ። 19 ንግዙኣታ ኸኣ፡
ቀቅድመይ ሕለፉ፡ እኔኹ፡ ክስዕበኩም እየ፡ በለቶም። ንሰብኣያ ናባል ግና ኣይነገረቶን። 20 ኰነ ድማ፡
ኣድጊ ተወጢሓ፡ ነቲ ኸረን ብኸውለ ኸውሊ ኽትወርድ ከላ፡ እንሆ፡ ዳዊትን ሰቡን ከኣ ኪቃባበልዋ
ወረዱ፡ ንሳ ድማ ተጓነፈቶም። 21 ዳዊት ከኣ ከምዚ ኢሉ ነበረ፡ ናይዚ ጥሪት ኲሉ ኣብ በረኻ ዘሎ ኻብ
ዘለዎ ዅሉ ገለ እኳ ኸይጠፍኦ፡ ንኸንቱ ጥራይ ሐሎኹሉ። ንሱ ግና ኣብ ክንዲ ጽቡቕ ክፉእ መለሰለይ።
22 ጽባሕ ክሳዕ እትበርህ፡ ካብ ዘለዎ ዅሉ ኣብ መንደቕ ተጸጊዑ ኻብ ዚሸይን፡ ሓደ እኳ እንተ ደአ
ሐዲገስ፡ ኣምላኽ ንጸላእቲ ዳዊት ከምዚ ይግበሮም ከምዚውን ይወስኮም። 23 ኣቢጋይል ድማ ንዳዊት
ምስ ረአየቶ፡ ቀልጢፋ ኻብ ኣድጊ ወረደት፡ ኣብ ቅድሚ ዳዊትውን ብገጻ ተደፊኣ ናብ ምድሪ ፍግም
በለት። 24 ኣብ እግሩ ወዲቓ ኸኣ በለቶ፡ ኣታ ጐይታይ፡ እዚ ኣበሳ እዚ ኣባይ ይኹን፡ በጃኻ፡ ገረድካ ኣብ
እዝንኻ ትዛረብ፡ ዘረባ ገረድካውን ስማዕ። 25 ጐይታይ፡ ኣብዚ ናይ ብልያል ሰብ፡ ኣብ ናባል ልቡ
ኸየውድቕ እልምን ኣሎኹ። ስሙ ናባል እዩ እሞ፡ ጽላለ ኣለዎ፡ ከምቲ ስሙ፡ ንሱ ኸምኡ እዩ። ኣነ

ገረድካ ግና ነቶም ዝለኣኽካዮም ናይ ጐይታይ ኣጕባዝ ኣይርኤኽዎምን። 26 ሕጂ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ህያው
እግዚኣብሄር እዩ፡ ነፍስኻውን ህያው እያ፡ እቲ ኣብ ደም ካብ ምእታውን ብኢድካ ሕነ ኻብ ምፍዳይን
ዘድሓነካ እግዚኣብሄር እዩ። ሕጂ ድማ ጸላእትኻን እቶም ንጐይታይ ክፉእ ዚደልዩሉን ከም ናባል
ይኹኑ። 27 ሕጂ ኸኣ እዚ ገረድካ ንጐይታይ ዘምጽኣትሉ ገጽ በረኸት ነቶም ንጐይታይ ዚስዕቡ ኣጕባዝ
ይወሀብ። 28 ጐይታይሲ ውግእ እግዚኣብሄር ዚዋጋእ ስለ ዝዀነ፡ ምሉእ ዕድሜኻ ኣባኻ ገለ ኽፉእ
ኣይርከብን እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ድማ ንጐይታይ ጽንዕቲ ቤት ከም ዚሰርሓሉ ርግጽ እዩ። እምበኣርሲ
በጃኻ፡ በደል ገረድካ ሕደገላ። 29 ሰብ እኳ ኪሰጕካን ንነፍስኻ ኪደልን እንተ ተንስኤ፡ ነፍሲ ጐይታይሲ
ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብቲ ኸረጺት ህያዋን ጥቕልልቲ ትኹን። ንነፍሳት ጸላእትኻ ግና ከም ኣብ
ዓውዲ ወንጭፍ ገይሩ ይወንጭፈን። 30 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እግዚኣብሄር ንጐይታይ ከምቲ ዅሉ ጽቡቕ
እተዛረበካ ምስ ገበረ፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከኣ ሓለቓ ኽትከውን ምስ እዘዘካ፡ 31 እቲ ንጹህ ደም
ምፍሳስን ሕነ ምፍዳይን ጐይታይን ንዕንቅፋትካን ንምስቃቕ ልቢ ጐይታይን ኣይኹንካ። እግዚኣብሄር
ንጐይታይ ጽቡቕ ምስ ገበረልካ ድማ፡ ንገረድካ ዘክረኒ። 32-34 ሽዑ ዳዊት ንኣቢጋይል፡ እቲ ኽፉእ
ከይገብረኪ ዝኸልከለኒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ህያው እዩ፡ ንስኺ ኽትቅበልኒ ቐልጢፍኪ እንተ
ዘይትመጽስ፡ ርግጽ እዩ ንናባል ጽባሕ ክሳዕ እትበርህ ኣብ መንደቕ ተጸጊዑ ኻብ ዚሸይን ሓደ እኳ
ኣይምተረፎን ነይሩ እዩ እሞ፡ እቲ በዛ መዓልቲ እዚኣ ኽትቅበልኒ ዝሰደደኪ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል ይባረኽ። ኣእምሮኺ ድማ ብሩኽ ይኹን፡ ንስኺውን ኣብ ደም ካብ ምእታው፡ ሎሚ መዓልቲ
ዝከልከልክኒ ብርኽቲ ኹኒ፡ በላ። 35 ዳዊት ድማ እቲ ዘምጽኣትሉ ኻብ ኢዳ ተቐቢሉስ፡ ርአዩ፡ ዘረባኺ
ሰሚዔ፡ ገጽኪ ኸኣ ኣኽበርኩ፡ ናብ ቤትኪ ብሰላም ደይቢ፡ በላ። 36 ኣቢጋይል ድማ ናብ ናባል መጸት፡
እንሆ ኸኣ፡ ከም ምሳሕ ንጉስ ዝበለ ምሳሕ ኣብ ቤቱ ነበሮ። ልቢ ናባል ድማ ተሐጒሱ፡ ኣዝዩ ሰኺሩ ኸኣ
ነበረ። ስለዚ ንጽቢሒቱ ኽሳዕ ዚበርህ፡ ይንኣስ ይዕበ ገለ እኳ ኣይተዛረበቶን። 37 ኰነ ድማ፡ ንጽብሒቱ
ናባል ስኽራኑ ምስ ወጻሉ፡ ሰበይቱ እዚ ነገር እዚ ነገርቶ። ሽዑ ልቡ ኣብ ውሽጡ ሞተ፡ ከም እምኒውን
ኰነ፡ 38 ኰነ ኸኣ፡ ድሕሪ ዓሰርተ መዓልቲ ዚኣክል እግዚኣብሄር ንናባል ወቕዖ፡ ሞተ ኸኣ። 39 ዳዊት ድማ
ሞት ናባል ምስ ሰምዔ፡ እቲ ኻብ ኢድ ናባል ዝበጽሓኒ ውርደት ዝፈረደለይ፡ ንባርያኡውን ክፉእ
ከይገብር ዝኸልከለኒ እግዚኣብሄር ይባረኽ። እቲ ኽፍኣት ናባል ከኣ እግዚኣብሄር ናብ ርእሱ መለሰሉ፡
በለ። ዳዊት ድማ ብዛዕባ ኣቢጋይል ሰበይቱ ኽትከውን ኪወስዳ ልኢኹ ተዛረባ። 40 እቶም ገላዉ ዳዊት
ከኣ ንቀርሜሎስ ናብ ኣቢጋይል መጺኦም፡ ዳዊት ሰበይቱ ኽትኰንዮ ኺወስደኪ ኢሉ፡ ናባኺ ልኢኹና፡
ኢሎም ነገርዋ። 41 ሽዑ ንሳ ተንሲኣ ብገጻ ናብ ምድሪ ተደፍኤት፡ እኔኹ ገረድካ፡ ንምሕጻብ ኣእጋር ገላዉ
ጐይታይ ግዝእቲ እኹን፡ ድማ በለት። 42 ኣቢጋይል ከኣ ቀልጢፉ ተንስኤት፡ ኣድጊ ድማ ተወጥሔት፡
ሓሙሽተ ኣግራዳ ኸኣ ይስዕባኣ ነበራ። ደድሕሪ እቶም ልኡኻት ዳዊት ድማ ከደት፡ ሰበይቱ ኸኣ ኰነት።
43 ዳዊት ድማ ንኣሒኖዓም ብዓልቲ ይዝርኤል ወሰዳ፡ ክልቲኤን ከኣ ኣንስቱ ዀና። 44 ሳኦል ግና ጓሉ
ሚካል፡ ሰበይቲ ዳዊት፡ ንፉልጢ ወዲ ላይሽ በዓል ጋሊም፡ ሂብዎ ነበረ።

## ምዕራፍ 26

1 እቶም ዚፉውያን ድማ ናብ ሳኦል ናብ ጊብዓ መጺኦም፡ ዳዊት ኣብቲ ኣብ መንጽር በረካ ዘሎ ዅርባ
ሓኪላዶ ተሐቢኡ ኣየሎን፧ በልዎ። 2 ሽዑ ሳኦል፡ ንዳዊት ኣብ በረኻ ዚፍ ኪደልዮ፡ ኣብ እስራኤል
እተሐርዩ ሰለስተ ሽሕ ሰብኣይ ምስኡ ሒዙ፡ ናብ በረኻ ዚፍ ወረደ። 3 ሳኦል ከኣ ኣብታ ኣብ መንጽር

በረኻ ኣብ መገዲ ዘላ ኸርባ ሓኪላ ሰፈረ። ዳዊት ግና ኣብቲ በረኻ ተቐሚጡ ነበረ፡ ሳኦል ደድሕሪኡ
ናብ በረኻ ኸም ዝመጸ ምስ ረአየ ድማ፡ [4] ዳዊት ሰለይቲ ሰዲዱ፡ ሳኦል ብርግጽ ከም ዝመጸ፡ ፈለጠ። [5]
ዳዊት ከኣ ተንሲኡ፡ ናብታ ሳኦል ሰፈርዋ ዘላ ቦታ መጸ። ዳዊት ድማ ሳኦልን ኣብኔር ወዲ ኔር እቲ ሓለቓ
ሰራዊቱን ዚድቅሱላ ዝነበሩ ቦታ ረአየ። ሳኦል ኣብ ውሽጢ ሰፈር ስረገላታት ደቀሰ፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ
ኣብ ዙርያኡ ሰፊሮም ነበሩ። [6] ዳዊት ድማ መሊሱ ንኣሂሜሌክ ሄታውያን ንኣቢሳይ ወዲ ጽሩያ ሓው
ዮኣብን፡ ናብ ሳኦል ናብቲ ሰፈር መን ምሳይ ይወርድ፡ በሎም። ኣቢሳይ ከኣ፡ ኣነ ምሳኻ እወርድ፡ በለ። [7]
ዳዊትን ኣቢሳይን ከአ ብለይቲ ናብቲ ህዝቢ መጹ፡ እንሆ ድማ፡ ሳኦል ኣብ ውሽጢ ሰፈር ሰረገላታት በጥ
ኢሉ ደቂሱ፡ ኲናቱ ኸኣ ኣብ ጥቓ ርእሱ ኣብ ምድሪ ተተኺሉ ነበረ። ኣብኔርን እቶም ህዝብን ድማ ኣብ
ዙርያኡ ደቂሶም ነበሩ። [8] ሽው ኣቢሳይ ንዳዊት፡ ሎሚ ኣምላኽ ንጸላኢኻ ኣብ ኢድካ ኣሕሊፉ ሂቡካ
ኣሎ፡ ሕጂ ኸኣ በጃኻ፡ ከይደገምኩስ ሓንሳእ ብኹናት ምስ ምድሪ ኸላግቦ ሕደገኒ፡ በሎ። [9] ዳዊት ግና
ንኣቢሳይ፡ ኢዱ ናብ ቅቡእ እግዚኣብሄር ዘርጊሑስ በደል ዘይኾኖ መን ኣሎ፧ ስለዚ ኣይትቕተሎ፡ በሎ።
[10] ዳዊት ድማ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ እግዚኣብሄር ኪቐትሎ እዩ፡ ወይ ከኣ መዓልቱ በጺሓ ይመውት
ወይ ኣብ ውግእ ወሪዱ ይጠፍእ። [11] ኢደይ ናብቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር ካብ ምዝርጋሕሲ እግዚኣብሄር
ካባይ የርሕቆ። ሕጂ ድማ፡ በጃኻ፡ ነቲ ኣብ ጥቓ ርእሱ ዘሎ ኹናትን ነቲ ርኹት ማይን ውሰድ እሞ
ንኺድ፡ በለ። [12] ዳዊት ከኣ ነቲ ኹናትን ነቲ ርኹት ማይን ካብ ጥቓ ርእሲ ሳኦል ወሰደ፡ መገዶም ድማ
ኸዱ። እግዚኣብሄር ከቢድ ድቃስ ኣውዲቖሎም ነበረ፡ ስለዚ ኹሎም ደቂሶም ነበሩ እምበር፡ ሓደ እኳ
ዝረአየ የልቦን፡ ዝፈለጠ ኸኣ የልቦን፡ ዝነቕሔውን የልቦን። [13] ዳዊት ድማ ናብ ስግር ሐለፈ፡ ኣብ ርሑቕ
ኣብ ርእሲ እቲ ኸረን ቈመ፡ ኣብ መንጎኦም ገፊሕ ቦታ ነበረ። [14] ዳዊት ከኣ ነቶም ህዝብን ንኣብኔር ወዲ
ኔርን፡ ኣታ ኣብኔር፡ ኣይትመልስንዶ፧ ኢሉ፡ ጸውዔ። ኣብኔር ድማ፡ ንንጉስ እትጽውዕ፡ ንስኻ መን ኢኻ፧
ኢሉ መለሰ። [15] ዳዊት ከኣ ንኣብኔር በሎ፡ ንስኻ ሰብኣይ ደይኰንካ፧ ኣብ እስራኤልከ ኸማኻ ዝበለ መን
ኣሎ፧ ሓደ ኻብ ህዝቢ ንጐይታኻ ንጉስ ኪቐትሎ መጺኡ ነይሩ እዩ እሞ፡ ስለምንታይ ደአ ንጐይታኻ
ንጉስ ዘይሐሎኻዮ፧ [16] እዚ ዝገበርካዮ ነገር ጽቡቕ ኣይኰነን። ንጐይታኹም፡ እቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር፡
ስለ ዘይሐሎኹምዎ፡ ንስኻትኩም ደቂ ሞት ከም ዝኾንኩም፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ። ሕጂ ኸኣ፡ እቲ
ኣብ ጥቓ ርእሱ ዝነበረ ኹናት ንጉስን ርኹት ማይን ኣበይ ከም ዘሎ ርኤ። [17] ሳኦል ድማ ድምጺ ዳዊት
ኣለልዩ፡ ወደይ ዳዊት፡ እዚ ድምጽኻ ድዩ፧ በለ። ዳዊት ከኣ፡ እወ ጐይታይ ንጉስ፡ ድምጸይ እዩ፡ በለ። [18]
ወሲኹ ድማ በለ፡ እንታይ ገይረ እየ፧ ኣብ ኢደይከ እንታይ ክፉእ ተረኺቡኒ እዩ፧ ስለምንታይ ደአ እዩ
ጐይታይ ንጊልያኡ ዚሰጎ ዘሎ፧ [19] እምበአር ሕጅስ በጃኻ ጐይታይ ንጉስ፡ ዘረባ ጊልያኡ ይስማዕ። እቲ
ናባይ ዝደረኸካ፡ እግዚኣብሄር እንተ ኾይኑ፡ ምዑዝ መስዋእቲ ይተዐጠነሉ፡ ደቂ ሰብ እንተ ኾይኖም
ግና፡ ኣብ ርስቲ እግዚኣብሄር ክፍሊ ኸይረክብሲ፡ ኪድ እሞ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኣምልኽ ኢሎም፡
ሎሚ ሰጒጎምኒ እዮም እሞ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ርጉማት ይኹኑ። [20] ሕጂ ኸኣ ንቖቓሕ ኣብ
ኣኽራን ከም ዚህድን፡ ንጉስ እስራኤል ንሓደ ቝንጪ ኺደሊ ወጺኡ እዩ እሞ፡ ደመይ ካብ ገጽ
እግዚኣብሄር ተፈልዩ ኣብ ምድሪ ኣይፍሰስ። [21] ሽው ሳኦል፡ ኣነ በዲለ እየ፡ ወደይ ዳዊት፡ ነፍሰይ ሎሚ
መዓልቲ ኣብ ቅድሜኻ ስለዝኸበረት፡ ደጊም ክፉእ ኣይገብረካን እየ እሞ ተመለስ፡ እንሆ፡ ተጸሊለ አዝየ
ተጋጊኸ፡ በለ። [22] ዳዊት ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡ እቲ ኹናት ንጉስ እንሆ፡ ካብቶም ኣጕባዝ ሓደ ይሳገር
እሞ ይውሰዶ። [23] ሎሚ እግዚኣብሄር ንኣኻ ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ሂቡኒ ነይሩ፡ ኣነ ግና ናብቲ ቕቡእ
እግዚኣብሄር ኣቢለ ኢደይ ክዝርግሕ ኣይፈቶኹን፡ እግዚኣብሄር ደአ ንነፍሲ ወከፍ ከም ጽድቁን ከም
እምነቱን ይፍደዮ። [24] እንሆ ድማ፡ ከምቲ ነፍስኻ ሎሚ መዓልቲ ኣብ ቅድመይ ዝኸበረት፡ ከምኡ ኸአ

ነፍሰይ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ትኽበር፡ ካብ ኵሉ መከራውን የድሕነኒ። [25] ሽዑ ሳኦል ንዳዊት፡ ኣታ
ወደይ ዳዊት፡ ብሩኽ ኩን። ምግባርሲ ኽትገብር ኢኻ፡ ብርግጽውን ከተስልጥ ኢኻ፡ በሎ። ዳዊት ድማ
መገዱ ኸደ፡ ሳኦልውን ናብ ቦታኡ ተመልሰ።

## ምዕራፍ 27

[1] ዳዊት ድማ ብልቡ፡ ሕጂ ሓንቲ መዓልቲ ብኢድ ሳኦል ክጠፍእ እየ፡ ናብ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን
ካብ ምህዳም ዚሐይሽ የብለይን፡ ሽዑ ሳኦል እቲ ኣብ ብዘሎ ዶባት ምድሪ እስራኤል ምድላየይ ይሐድግ
እሞ፡ ካብ ኢዱ እድሕን፡ በለ። [2] ዳዊት ድማ ተንሲኡ፡ ንሱን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሽዱሽተ ሚእቲ
ሰብን፡ ናብ ኣኪሽ፡ ወዲ ማዖክ ንጉስ ጋት፡ ተሳገረ። [3] ዳዊትን ሰቡን ነፍሲ ወከፍ መምስ ቤተ ሰቡ፡
ዳዊትውን ምስ ክልቲኤን ኣንስቱ፡ ኣሒኖዓም ብዓልቲ ይዝርኤልን ኣቢጋይልን፡ ብዓልቲ ቀርሜሎስ
ሰበይቲ ናባልን፡ ምስ ኣኪሽ ኣብ ጋት ተቐመጡ። [4] ሳኦል ድማ፡ ዳዊት ናብ ጋት ከም ዝሀደመ ምስ
ነገርዎ፡ መሊሱ ኣይደለዮን። [5] ዳዊት ከኣ ንኣኪሽ፡ ስለምንታይ ጊልያኻ ምሳኻ ኣብ ከተማ ንጉስ
ዚቕመጥ፤ ኣብ ቅድሜኻ መጎስ እንተደኣ ረኺበስ፡ ኣነ ኣብኣ ክቕመጥ ኣብ ሓንቲ ኻብተን ኣብ መሮር
ዘለዋ ኸተማታት ቦታ ይወሀበኒ፡ በሎ። [6] ኣኪሽ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ጺቅላግ ሀቦ። ስለዚ ጺቅላግ
ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ንነገስታት ይሁዳ ኾነት። [7] ቍጽሪ እተን ዳዊት ኣብ መሮር ፍልስጥኤማውያን
እተቐመጠለን መዓልትታት ከኣ ዓመትን ኣርባዕተ ወርሕን ኰነ። [8] ዳዊትን ሰቡን ድማ ደዪቦም
ንጌሹራውያንን ንጌርዛውያንን ንኣማሌቃውያንን ወረርዎም። ንሳቶም ካብ ጥንቲ ኣብታ ኻብታ ንሹር
እተእቱ ኽሳዕ ምድሪ ግብጺ ዘላ ሃገር ተቐሚጦም ነበሩ። [9] ዳዊት ከኣ ነታ ሃገር አጥፍኣ፡ ሰብኣይ ኰነ
ሰበይቲ ኾነት ድማ ብህይወት ኣይሐደገን፡ ኣባጊዕን ኣሓን ኣእዱግን ኣግማልን ክዳውንትን ግና ወሰደ፡
መሊሱ ድማ ናብ ኣኪሽ መጸ። [10] ኣኪሽ ከኣ፡ ሎሚኸ ኣበይ ኣቢልኩም ወረርኩም፡ በለ። ዳዊት ድማ፡
ኣብ ደቡብ ይሁዳን ኣብ ደቡብ የራሕምኤላውያንን ኣብ ደቡብ ቄናውያንን፡ በለ። [11] ዳዊት ከምዚ ገበረ፡
በቲ ኣብ መሮር ፍልስጥኤማውያን እተቐመጠሉ ዅሉ ጊዜ ድማ ልማዱ ኸምዚ ነበረ፡ ኢሎም
ከይነግሩሉ ኢሉ፡ ዳዊት ናብ ጋት ኣየምጽኦምን፡ ንሰብኣይ ኰነ ንሰበይቲ ኾነትውን ብህይወት
ኣይሐደጎምን። [12] ኣኪሽ ከኣ ንዳዊት፡ ኣብ ህዝቡ እስራኤል ኣዝዩ ተጸሊኡ እዩ እሞ ንሓዋሩ ጊልያይ
ኪኾነኒ እዩ፡ ኢሉ አመኖ።

## ምዕራፍ 28

[1] ኰነ ኸኣ፡ በቲ ጊዜ እቲ ፍልስጥኤማውያን ምስ እስራኤል ኪዋግኡ ሰራዊቶም ኣኸተቱ። ኣኪሽውን
ንዳዊት፡ ንስኻን ሰብካን ምሳይ ናብ ውግእ ኸም እትወጹ ብርግጽ ፍለጥ፡ በሎ። [2] ዳዊት ድማ ንኣኪሽ፡
እምበአር እቲ ጊልያኻ ዚገብሮ ንስኻ ኽትርኢ ኢኻ፡ በሎ። ኣኪሽ ከኣ ንዳዊት፡ እምበኣር ኵሉ ጊዜ
ሓላዉ ነፍሰይ ክገብረካ እየ፡ በሎ። [3] ሳሙኤል ድማ ሞይቱ ነበረ፡ ብዘለዉ እስራኤል ከኣ ኣልቂሶምሉስ፡
ኣብታ ኸተማኡ ኣብ ራማ ቐቢሮምዎ ነበሩ። ሳኦል ድማ መንፈስ ጥንቈላ ንዘለዎምን ንመውደቕቲ
ዛዕጎልን ካብታ ሃገር ሰጒጒዎም ነበረ። [4] ፍልስጥኤማውያን ከኣ ከቲቶም መጺኦም፡ ኣብ ሹኔም ሰፈሩ።
ሳኦል ድማ ንብዘሎ እስራኤል ኣኸተተ፡ ኣብ ጊልቦዓ ኸአ ሰፈሩ። [5] ሳኦል ድማ ነቲ ሰፈር
ፍልስጥኤማውያን ምስ ረአዮ ፈርሄ፡ ልቡ ኸኣ ኣዝዩ ተሸበረ። [6] ሳኦል ድማ ንእግዚኣብሄር ጠየቐ፡

እግዚኣብሄር ግና ብሕልምታት ኰነ፡ ብኡሪም ኰነ፡ ብነብያት ኰነ ኣይመለሰሉን። 7 ሽዑ ሳኦል
ንገላዉኡ፡ ናብኣ ኸይደ ኽጥይቓስ፡ መንፈስ ጥንቈላ ዘለዋ ሰበይቲ ድለዩለይ፡ በሎም። እቶም ገላዉኡ
ኸኣ፡ መንፈስ ጥንቈላ ዘለዋ ሰበይቲ እንሃ፡ ኣብ ዔንዶር ኣላ፡ በልዎ። 8 ሳኦል ድማ ትርኢቱ ለዊጡ ኻልእ
ክዳን ተኸዲኑ፡ ንሱ ኽልተ ሰባትውን ምስኡ ኼይዶም ብለይቲ ናብታ ሰበይቲ መጹ፡ በጃኺ ብመንፈስ
ጥንቈላ ጌርኪ ጠንቍልለይ፡ ነቲ ኣነ ዝብለኪ ኸኣ ኣተንስእለይ፡ በላ። 9 እታ ሰበይቲ ድማ፡ እንሆ፡ እቲ
ሳኦል ዝገበሮ፡ ነቶም መንፈስ ጥንቈላ ዘለዎምን ንመውደቕቲ ዛዕጐልን ካብዛ ሃገር ከም ዘጽነቶም፡ ንስኻ
ትፈልጥ ኣሎኻ፡ ስለምንታይከ ኽተቕትለኒ ኢልካ መጻወድያ ትገብረለይ፧ በለቶ። 10 ሳኦል ድማ፡ በዚ ነገር
እዝስ ገለ ቕጽዓት እኳ ኸም ዘይረኽበኪ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ ኢሉ ብእግዚኣብሄር መሓለላ። 11
ሽዑ እታ ሰበይቲ፡ ንመንከ ኽተንስኣልካ፡ በለቶ። ንሱ ኸኣ፡ ንሳሙኤል ኣተንስእለይ፡ በላ። 12 እታ
ሰበይቲ ድማ ንሳሙኤል ምስ ረኣየቶ፡ እታ ሰበይቲ ንሳኦል፡ ንስኻ ሳኦል ክነስኻ ደኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ
ዝጠበርካኒ፧ ኢላ ዓው ኢላ ጨደረት። 13 እቲ ንጉስ ከኣ፡ ኣይትፍርሂ፡ እንታይ ግዳ ትርእዪ ኣሎኺ፡ በላ።
እታ ሰበይቲ ድማ ንሳኦል፡ ሓደ ኣምላኽ ካብ ምድሪ ኺወጽእ እርኢ ኣሎኹ፡ በለቶ። 14 ንሱ ኸኣ፡
ትርኢቱኸ ኸመይ ዝበለ እዩ፧ በላ። ንሳ ድማ፡ ባርኖስ እተኸድነ ኣረጊት ሰብኣይ ይወጽእ ኣሎ፡ በለት።
ሽዑ ሳኦል፡ ንሱ ሳሙኤል ምዃኑ ፈሊጡ፡ ብገጹ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ሰገደ። 15 ሳሙኤል ድማ ንሳኦል፡
ስለምንታይ ኢኻ ኽተተንስኣኒ ዘዕገርገርካኒ፧ በሎ። ሳኦል ከኣ፡ ኣነ ኣዝዩ ጸቢቡኒ ኣሎ፡ ፍልስጥኤማውያን
ይዋግኡኒ ኣለዉ፡ እግዚኣብሄር ድማ ረሓቐኒ፡ ብነብያት ኰነ፡ ብሕልምታት ኰነ ኣይመልሰለይን፡ ስለዚ
ኸኣ እቲ ዝገብሮ ኽትነግረኒ ኢለ ጸዊዕኩኻ፡ በሎ። 16 ሳሙኤል ድማ በለ፡ እግዚኣብሄር ካብ ረሓቐካ
ጸላኢኻውን ካብ ኰነ ደኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ እትጥይቐኒ፧ 17 እግዚኣብሄርሲ ከምቲ ብኣይ እተዛረቦ
ገበረ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ነታ መንግስቲ ኻብ ኢድካ መንጢሉ ንብጻይካ ንዳዊት ሂብዎ እዩ። 18 ነቲ ቓል
እግዚኣብሄር ስለ ዘይሰማዕካን፡ ከምቲ ንዱድ ኵራኡ ድማ ኣብ ኣማሌቕ ስለ ዘይገበርካን፡ ስለዚ
እግዚኣብሄር በዛ መዓልቲ እዚኣ እዚ ነገር እዚ ገበረካ። 19 እግዚኣብሄር ንእስራኤል ከኣ ምሳኻ ኣብ ኢድ
ፍልስጥኤማውያን ኣሕሊፉ ኺህበኩም እዩ። ጽባሕ ድማ ንስኻን ደቕኻን ምሳይ ክትኰኑ ኢኹም።
ንሰራዊት እስራኤልውን እግዚኣብሄር ኣብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኣሕሊፉ ኺህቦም እዩ። 20 ሽዑ ሳኦል
በቲ ዘረባ ሳሙኤል ኣዝዩ ፈሪሁ፡ ብኡብኡ ብምሉእ ቍመቱ ናብ ምድሪ ወደቐ፡ ምልእቲ መዓልትን
ምልእቲ ለይትን ከኣ እንጌራ ኣይበልዔን እሞ፡ ገለ ሓይሊ እኳ ኣይነበሮን። 21 እታ ሰበይቲ ድማ ናብ
ሳኦል መጺኣ፡ ኣዝዩ ከም ዝሰምበደ ርእያ፡ እንሆ፡ ገረድካ ቓልካ ሰሚዓ፡ ነፍሰይ ከኣ ኣብ ኢደይ ኣንቢረ
እቲ ዝበልካኒ ዘረባ ተኣዘዝኩ። 22 ሕጂ ኸኣ በጃኻ፡ ንስኻ ዘረባ ገረድካ ስማዕ፡ መገዲ ኽትከይድ ከሎኻ፡
ምእንቲ ሓይሊ ኽትረክብሲ፡ ቍራስ እንጌራ ኣብ ቅድሜኻ ኽንብረልካ ብላዕ፡ በለቶ። 23 ንሱ ግና፡
ኣይበልዕን፡ ኢሉ ኣበየ። ሽዑ እቶም ገላዉኡ፡ ምስታ ሰበይቲ ኾይኖም ግዲ በልዎ። ቃሎም ሰሚዑ
ኸኣ፡ ካብ ምድሪ ተንሲኡ፡ ኣብ ዓራት ተቐመጠ። 24 እታ ሰበይቲ ኸኣ ኣብ ቤታ ስቡሕ ብተይ ነበራ፡
ተቐላጢፋ ድማ ሐረደቶ፡ ሓርጭ ወሲዳ ኸኣ ኣቜምጢዓ ቕጫ ሰንከተት። 25 ኣብ ቅድሚ ሳኦል ኣብ
ቅድሚ ገላዉኡን ቀረበትሎም፡ ንሳቶም ከኣ በሊዖም ተንስኡ፡ በታ ለይቲ እቲኣውን ከዱ።

## ምዕራፍ 29

1 ፍልስጥኤማውያን ድማ ብዘሎ ሰራዊቶም ናብ ኣፌቕ ኣኽተቱ። እስራኤልውን ኣብ ይዝርኤል ኣብ ዘሎ
ዓይኒ ማይ ሰፈሮም ነበሩ። 2 እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውይን ድማ በብሚእትን በብሽሕን ኰይኖም

ተጓዕዙ፡ ዳዊትን ሰቡን ከኣ ምስ ኣኪሽ ደጀን ኰይኖም ይጕዕዙ ነበሩ። [3] ሽዑ እቶም ሹማምቲ
ፍልስጥኤማውያን፡ እዞም እብራውያን እዚኣቶም ኣብዚ እንታይ ይገብሩ ኣለዉ፧ በሉ። ኣኪሽ ድማ
ንሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን፡ እዝስ እቲ በዘን መዓልታት ወይ በዘን ዓመታት እዚኤን ምሳይ ዝነበረ
ዳዊት፡ ጊልያ ሳኦል ንጉስ እስራኤልዶ ኣይኰነን፧ ካብታ ናባይ እተጸግዓላ መዓልቲ ኽሳዕ ሎሚ ገለ እኳ
ኣይረኸብኩሉን፡ በሎም። [4] እቶም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ግና ኲረዩሉ እሞ እቶም ሹማምቲ
ፍልስጥኤማውያን በልዎ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣብታ ዝፈቐድካሉ ቦታኡ ኪቕመጥሲ፡ ናብኣ ምለሶ። እዚ
ንጐይታኡ ደአ ብምንታይ እዩ ዘሐጕሶ፡ ብርእሲ እዞም ሰባት እዚኣቶምዶ ኣይከነን፧ እምበኣር ኣብ
ውግእ ተጻራሪ ምእንቲ ኸይኰነናስ፡ ናብ ውግእ ምሳና ኣይውረድ። [5] እዝስ እቲ እናሳዕስዓ፡ ሳኦል ሽሑ፡
ዳዊት ግና እልፉ ቐተለ፡ ኢለን ዝደረፋሉ ዳዊትዶ ኣይኰነን፧ [6] ሽዑ ኣኪሽ ንዳዊት ጸዊዑ፡ ንስኻ ቕኑዕ
ከም ዝኾንካ ህያው እግዚኣብሄር እዩ። ካብታ ናባይ ዝመጻእካላ መዓልቲ ኽሳዕ ሎሚ ገለ ኽፉእ
ኣይረኸብኩልካን እሞ፡ ኣብዚ ሰራዊት ምሳይ ምእንታውካን ምውጻእካን ባህ ይብለኒ ነይሩ፡ ነዞም
ሹማምቲ ግና ባህ ኣይበልካዮምን። [7] እምበኣር ሕጂስ ንሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ዜጕሂ
ኸይትገብርሲ፡ ተመለስ እሞ ብሰላም ኪድ፡ በሎ። [8] ዳዊት ከኣ ንኣኪሽ፡ እንታይ ኣሞ ገይረ እየ፧ ከይደ
ምስ ጸላእቲ ጐይታይ ንጉስ ዘየዋግእሲ፡ ካብታ ኣብ ቅድሜኻ ዝኾንኩላ መዓልቲ ኽሳዕ ሎሚ ኣብ
ጊልያኻ እንታይ ረኺብካለይ ኢኻ፧ በሎ። [9] ኣኪሽ ድማ ንዳዊት፡ ንስኻ ኣብ ቅድመይ ከም መልኣኽ
ኣምላኽ ጽቡቕ ከም ዝኾንካ እፈልጥ ኣሎኹ፡ እዞም ሹማምቲ ፍልስጥኤማውያን ደአ፡ ናብ ውግእ
ምሳና ኣይደይብ፡ ኢሎም። [10] ሕጂ ኸኣ፡ ጽባሕ ምስቶም ምሳኻ ዝመጹ ገላዉ ጐይታኻ ኣንጊህካ ተንስእ
እሞ፡ ጽባሕ ኣንጊህኩም ተንሲእኩምሲ ምስ በርሃልኩም ኪዱ። [11] ዳዊት ከኣ ንሱን ሰቡን ናብ ምድሪ
ፍልስጥኤማውያን ኪምለስ፡ ንግሆ ኺነቕሉ፡ ኣንጊሆም ተንስኡ። ፍልስጥኤማውያን ከኣ ናብ ይዝርኤል
ደየቡ።

# ምዕራፍ 30

[1] ኰነ ድማ፡ ዳዊትን ሰቡን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ናብ ጺቅላግ ምስ መጹ፡ ኣማሌቃውያን ንደቡብን
ንጺቅላግን ሓደጋ ወዲቖምወን ነበሩ፡ ንጺቅላግ ከኣ ስዒሮም ብሓዊ ኣንዲዶምዋ ነበሩ። [2] ነንስትን ኣብኣ
ንዝጸንሑ ኹሎምን ካብ ናእሽቱ ኽሳዕ ዓበይቲ ማሪኾምዎም ነበሩ፡ ግናኸ ማሪኾም ደአ መገዶም ኪዱ
እምበር፡ ሓደ ሰብ እኳ ኣይቀተሉን። [3] ዳዊትን ሰቡን ናብታ ኸተማ ምስ መጹ ድማ፡ እንሆ፡ ብሓዊ
ነዲዳ፡ ኣንስቶምን ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ከኣ ተማሪኾም ነበሩ። [4] ሽዑ ዳዊትን እቲ ምስኡ ዝነበረ
ህዝብን ንምብካይ ሓይሊ ኽሳዕ ዚስእኑ ዓው ኢሎም በኸዩ። [5] ክልቲኤን ኣንስቲ ዳዊት፡ ኣሒኖዓም
ብዓልቲ ይዝርኤልን ኣቢጋይል ሰበይቲ ናባል ብዓል ቀርሜሎስን ከኣ ተማሪኸን ነበራ። [6] ነፍሲ ኹሉ እቲ
ህዝቢ፡ ነፍሲ ወከፍ ብዛዕባ ኣወዳቱን ኣዋልዱን ስለ እተመረረ፡ ንዳዊት ብዳርባ እምኒ ኪቐትልዎ ይብሉ
ነበሩ እሞ፡ ኣዝዩ ጨነቖ። ዳዊት ግና ብእግዚኣብሄር ኣምላኹ ጸንዔ። [7] ዳዊት ድማ ንኻህን ኣብያታር፡
ወዲ ኣሂሜሌክ፡ በጃኻ ኤፎድ ኣምጽኣለይ፡ በሎ። ኣብያታር ከኣ ነቲ ኤፎድ ናብ ዳዊት ኣምጽኦ። [8]
ዳዊት ድማ፡ ነቶም ዝዘመቱ ጭፍራስ ክስዕቦምዶ፧ ክርክቦምዶኸ፧ እኽእል እየ፧ ኢሉ ንእግዚኣብሄር
ጠየቖ። ንሱ ድማ፡ ብርግጽ ከተርክቦም፡ ብርግጽውን ነቲ ምርኮ ኸትመልሶ ኢኻ እሞ፡ ስዐቦም፡ በሎ። [9]
ሽዑ ዳዊት፡ ንሱን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሹድሽተ ሚእቲ ሰባትን ከዱ፡ ኣብ ርባ በሶር ምስ በጽሑ፡ እቶም
ዝተረፉ ኣብኡ ጸንሑ። [10] ክልተ ሚእቲ ሰባት ንርባ በሶር ምስጋር ክሳዕ ዚስእኑ ደኺሞም ድሕሪት

ተረፉ፡ ዳዊትን ኣርባዕተ ሚእቲ ሰባትን ግና ሰዐቡ። [11-12] ኣብ መሮር ድማ ሓደ ግብጻዊ ሰብኣይ ረኸቡ፡
ናብ ዳዊት ከኣ ወሰድዎም። ንሱ እንጌራ ኽይበልዔን ማይ ከይሰተየን ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን
ገይሩ ነበረ እሞ፡ እንጌራ ሀብዎ፡ በልዔ ድማ፡ ማይ ኣስተይዎ፡ ቍራስ ጐግ በለስን ክልተ ዘለላ ወይንን
ድማ ሀብዎ። ምስ በልዔ ኸኣ ነፍሱ ተመልሰቶ። [13] ዳዊት ድማ፡ ንስኻ ናይ መን ኢኻ፧ ካበይከ ኢኻ፧
በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣነ ግብጻዊ ወዲ፡ ጊልያ ኣማሌቃዊ ሰብኣይ እየ። ሓሚመ ሰለስተ መዓልቲ ገይረ እየ
እሞ፡ ጐይታይ ሓዲጉኒ። [14] ንሕና ኣብ ደቡብ ከሬጣውያንን ኣብቲ ናይ ይሁዳን ኣብ ደቡብ ካሌብውን
ሓደጋ ወደቕና፡ ንጺቅላግ ከኣ ብሓዊ ተኰስናያ፡ በለ። [15] ዳዊት ድማ፡ ናብቶም ዘመትቲ ጭፍራዶ
ተውርደኒ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ናብቶም ዘመትቲ ጭፍራ ከውርደካስ፡ ከይትቐትለኒ፡ ናብ ኢድ
ጐይታይውን ኣሕሊፍካ ኸይትህበኒ፡ ብኣምላኽ ምሐለለይ፡ በለ። [16] ንሱ ምስ ኣውረዶ ኸኣ፡ እንሆ፡ በቲ
ኻብ ሃገር ፍልስጥኤማውያንን ካብ ሃገር ይሁዳን ዝወሰድዎ ብዙሕ ምርኮ ኣብ ኵላ እታ ምድሪ ፋሕ
ኢሎም ይበልዑን ይሰትዩን የብዕሉን ነበሩ። [17] ዳዊት ድማ ጽልግልግ ኪብል ከሎ ጀሚሩ ኽሳዕ
ንጽብሒቱ ምሸት ይቐትሎም ነበረ። ብጀካ ኣርባዕተ ሚእቲ ኣግማል ተወጢሖም ዝሀደሙ ኣጒባዝ፡
ካባታቶም ሓደ ሰብ እኳ ኣየምለጠን። [18] ዳዊት ከኣ ነቲ ኣማሌቃውያን ወሲዶምዎ ዝነበሩ ዅሉ ኣምለሶ፡
ዳዊት ንኽልቲኤን ኣንስቱውን ኣምለሰን። [19] ካብ ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብዪ፡ ካብ ኣወዳት ኰነ፡ ካብ ኣዋልድ፡
ካብ እተዘምተ ዘበለ ኽሳዕ ኵሉ ወሲዶምዎ ዝነበሩ፡ ገለ እኳ ኣይጐደሎምን። ዳዊት ንዅሉ ኣምለሶ። [20]
ዳዊት ድማ ንዅለን ኣባጊዕን ኣሓን ወሰደ፡ ንኣታተን ከኣ ቀቅድሚ እተን ካልእ ከብቲ ኸብኪቦም፡
እዚኣተን ምርኮ ዳዊት እየን፡ በሉ። [21] ዳዊት ድማ ናብቶም ደኺሞም ንዳዊት ምስዓብ ዝሰኣኑ እሞ ኣብ
ርባ በሶር ዘትረፎም ክልተ ሚእቲ ሰብኣይ መጸ። ንሳቶም ከኣ ንዳዊትን ነቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝብን
ኪቕበሉ ወጹ። ዳዊቲ ድማ ናብቶም ህዝቢ ቐሪቡ፡ ደሓን ምህላዎም ሐተቶም። [22] ሽዑ ኻብቶም ምስ
ዳዊት ዝኸዱ ሰባት፡ እቶም ክፉኣት ዘበሉ ናይ ብልያል ሰባት፡ ምሳና ስለ ዘይከዱ፡ ካብዚ ዘምለስናዮ
ምርኮስ ኣይንህቦምን ኢና። ነፍሲ ወከፍ ሰበይቱን ደቁን ጥራይ ይሐዝ እሞ መገዶም ይኺዱ፡ ኢሎም
መለሱ። [23] ዳዊት ግና፡ ኣሕዋተየ፡ እግዚኣብሄር ሐልዩናን ነቲ መጺኡና ዝነበረ ዘማቲ ጭፍራ ድማ ኣብ
ኢድና ሂቡናን እዩ እሞ፡ በቲ ንሱ ዝሀበናስ ከምዚ ኣይትግበሩ። [24] በዚ ነገር እዚ ደኣ መን ኪሰምዓኩም፧
ከም ግደ እቶም ናብ ውግእ ዝወረዱ፡ ግደ እቶም ኣብ ኣቓሑ ዝጸንሑ ኸኣ፡ ከምኡ እዩ እሞ፡ ማዕረ
ገይሮም ይማቐሉ፡ በለ። [25] ኰነ ድማ፡ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንነጀው ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ነዚ ኣብ
እስራኤል ሕግን ስርዓትን ገበሮ። [26] ዳዊት ናብ ጺቅላግ ምስ መጸ ኸኣ፡ ነቶም ፈተውቱ ዓበይቲ ይሁዳ፡
ካብ ምርኮ እቶም ጸላእቲ እግዚኣብሄር እንሆልኩም ገጽ በረኸት፡ ኢሉ ኻብቲ ምርኮ ሰደደሎም። [27]
ነቶም ኣብ ቤትኤል ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብታ ኣብ ደቡብ ዘላ ራሞት ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ያቲር ዝነበሩን፡
[28] ነቶም ኣብ ዓሮዔር ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ሲፍሞት ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ኤሽትሞዓ ዝነበሩን፡ [29] ነቶም
ኣብ ራካል ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ከተማታት የራሕምኤላውያን ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ከተማታት ቄናውያን
ዝነበሩን፡ [30] ነቶም ኣብ ሖርማ ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ኮርዓሻን ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብ ዓታኽ ዝነበሩን፡ [31]
ነቶም ኣብ ኬብሮን ዝነበሩን፡ ነቶም ኣብተን ዳዊትን ሰቡን እተማላለሱለን ኵለን ቦታታት ዝነበሩን
ሰደደሎም።

## ምዕራፍ 31

[1] ፍልስጥኤማውያን ድማ ንእስራኣኤል ተዋግእዎም። ሰብ እስራኤል ከኣ ኣብ ቅድሚ ፍልስጥኤማውያን

ሀደሙ፡ ተወጊኦም ድማ ኣብ ከረን ጊልቦዓ ወደቑ። 2 ፍልስጥኤማውያን ከኣ ንሳኦልን ንደቁን ስዒቦም
እግርእግሮም ጠበቕዎም። ፍልስጥኤማውያን ድማ ንደቂ ሳኦል፡ ንዮናታንን ንኣቢናዳብን ንማልኪሹዓን
ቀተልዎም። 3 እቲ ውግእ ከኣ ንሳኦል በርትዖ፡ ፍላጻ ዚውርውሩ ሰባት ድማ ኣርከብዎም እሞ፡ በቶም
ወርወርቲ እምብዛ ተጨነቐ። 4 ሳኦል ድማ ንጋሻ ዛግሬኡ፡ እዞም ዘይግዙራት መጺኦም ወጊኦም
ከየላገጹለይሲ፡ ሴፍካ መስት እሞ ብኡኡ ቕተለኒ፡ በሎ። እቲ ጋሻ ዛግሬኡ ግና እምብዛ ፈሪሁ ነበረ እሞ፡
ኣበየ። ሽዑ ሳኦል ሴፉ ወሲዱ ኣብ ልዕሊኡ ወደቐ። 5 እቲ ጋሻ ዛግሬኡ ኸኣ ሳኦል ሞይቱ ምስ ረአየ፡ ንሱ
ድማ ናብ ሴፉ ወደቐ እሞ ምስኡ ሞተ። 6 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ሳኦልን ሰለስቲኦም ደቁን ጋሻ
ዛግሬኡን ኵሎም ሰቡን ብሓደ ሞቱ። 7 እቶም ኣብ ስግር እቲ ለሰን ኣብ ስግር ዮርዳኖስን ዝነበሩ ሰብ
እስራኤል ድማ፡ ሰብ እስራኤል ከም ዝሀደሙ፡ ሳኦልን ደቁን ከኣ ከም ዝሞቱ ምስ ረአዩ፡ ነተን
ከተማታት ሓዲጎም ሀደሙ። ፍልስጥኤማውያን ከኣ መጺኦም ተቐመጥወን። 8 ኰነ ኸኣ ንጽብሒቱ
እቶም ፍልስጥኤማውያን ነቶም ዝሞቱ ኺገፍዎም መጹ፡ ንሳኦልን ንሰለስቲኦም ደቁን ኣብ ከረን ጊልቦዓ
ወዲቖም ረኸብዎም። 9 ርእሱ ቈሪጾም ከኣ ኣጽዋሩ ገፈፉ። ኣብ ቤት ጣኦታቶምን ኣብቲ ህዝብን ኬበስሩ
ድማ ናብ ዙርያ ሃገር ፍልስጥኤማውያን ሰደድዎ። 10 ነቲ ኣጽዋሩ ኸኣ ኣብ ቤት ኣስታሮት ኣንበርዎ፡ ነቲ
ሬሳኡ ግና ኣብ ቀጽሪ ቤትሻን ሰቐልዎ። 11 እቶም ኣብ ያቤሽጊልዓድ ዚነብሩ፡ እቲ ፍልስጥኤማውያን
ንሳኦል ዝገበርዎ ምስ ሰምዑ ድማ፡ 12 ኵሎም ጀጋኑ ሰባት ተንሲኦም መላእ ለይቲ ግስግስ ሓዲሮም ነቲ
ሬሳ ሳኦልን ንሬሳታት ደቁን ካብ ቀጽሪ ቤትሻን ወሰድዎ። ናብ ያቤሽ መጺኦም ከኣ ኣብኡ ኣንደድዎ። 13
ነቲ ኣዕጽምቶም ወሲዶም ድማ ኣብ ትሕቲ እታ ኣብ ያቤሽ ዘላ ኦም ቀበርዎ። ሾብዓተ መዓልቲ ኸኣ
ጾሙ።

# 2ይ መጽሓፍ ሳሙኤል

## ምዕራፍ 1

1 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ሞት ሳኦል ዳዊት ንኣማሌቃውያን ስዒሩ ተመሊሱ ኣብ ጺቅላግ ክልተ መዓልቲ ምስ
ገበረ። 2 ኣብታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ ኰነ፡ እንሆ፡ ካብ ሰፈር ሳኦል ሓደ ሰብኣይ ክዳኑ ቐዲዱ
ሓመድውን ኣብ ርእሱ ነስኒሱ መጸ። ኰነ ድማ፡ ናብ ዳዊት ምስ መጸ፡ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ፍግም በለ።
3 ዳዊት ከኣ፡ ካበይ መጺእካ ኢኻ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ካብ ሰፈር እስራኤል ዘምለጥኩ እየ፡ በሎ። 4 ዳዊት
ድማ፡ እቲ ነገር ከመይ ኰነ፡ በጃኻ ንገረኒ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እቲ ህዝቢ ኻብቲ ውግእ ሀዲሙ፡ ካብቲ
ህዝቢ ድማ ብዙሓት ወደቑን ሞቱን፡ ሳኦልን ዮናታን ወዱን ከኣ ሞይቶም፡ በለ። 5 ሽዑ ዳዊት ነቲ ዝነገሮ
መንእሰይ፡ ሳኦልን ዮናታን ወዱን ከም ዝሞቱ ኸኣ ኸመይ ኢልካ ፈለጥካ፡ በሎ። 6 እቲ ዝነገሮ መንእሰይ
ከኣ በለ፡ ብገርሄይ ናብ ከረን ጊልቦዓ መጻእኩ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሰረገላታትን ፈረሰኛታትን ኣርከብዎ። 7
ንድሕሪኡ ግልጽ ኢሉ ርእዩኒ ኸኣ ጸውዓኒ። ኣነ ድማ፡ እኔኹ በልኩ። 8 ንሱ ኸኣ፡ መን ኢኻ ንስኻ፡
በለኒ። ኣነ ድማ፡ ኣማሌቃዊ እየ፡ በልክዎ። 9 ንሱ ኸኣ፡ ገና ህይወ ከሎኹ ጨኒቑኒ ኣሎ እሞ፡ በጃኻ
ናባይ ቀሪብካ ቕተለኒ፡ በለኒ። 10 ኣነ ኸኣ፡ ምስ ወደቐ ኸም ዘይድሕን ፈሊጠ፡ ኣብ ልዕሊኡ ደው ኢለ
ቐተልክዎ። እቲ ኣብ ርእሱ ዝነበረ ዘውድን ኣብ ቅልጽሙ ዝነበረ ቢታን ድማ ወሰድኩ፡ እንሆ ኸኣ፡ ናብ
ጐይታይ ኣምጻእክዎ። 11 ሽዑ ዳዊት፡ ክዳውንቱ ሒዙ ቐደደ፡ እቶም ምስኡ ዝነበረ ዅሎም ሰባትውን
ከምኡ ገበሩ። 12 ንሳኦልን ንወዱ ዮናታንን ንህዝቢ እግዚኣብሄርን ንቤት እስራኤልን፡ ብሴፍ ወዲቖም
ነበሩ እሞ፡ ሐዘኑሎምን በኸዩሎምን፡ ክሳዕ ምሸትውን ጾሙ። 13 ዳዊት ድማ ነቲ ዝገበሮ መንእሰይ፡ ኣታ፡
ካበይ ኢኻ፡ በሎ። ንሱ ከኣ፡ ኣነ ወዲ ጓና ኣማሌቃዊ እየ፡ በለ። 14 ዳዊት ድማ፡ ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር
ንምቕታል ኢድካ ኽትዝርግሕሲ ኸመይ ዘይፈራህካ፡ በሎ። 15 ሽዑ ዳዊት ንሓደ ኻብቶም ገላዉኡ
ጸዊዑ፡ ቅረብ እሞ ውደቆ፡ በለ። ንሱ ወቕዖ፡ ሞተ ኸኣ። 16 ዳዊት ድማ፡ ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር፡ ኣነ
ቐቲለዮ፡ ኢላ ኣፍካ መስኪራትልካ እያ እሞ፡ ደምካ ኣብ ርእስካ እዩ፡ በሎ። 17 ዳዊት ድማ ብዛዕባ
ሳኦልን ብዛዕባ ዮናታን ወዱን እዚ ልቕሶታት እዚ ኣልቀሰሎም። 18 ንደቂ ይሁዳ ኸኣ ደርፊ ቐስቲ
ኺምህርዎም ኣዘዘ። እንሆ፡ እዚ ኣብቲ መጽሓፍ ጻድቕ ተጽሒፉ ኣሎ። 19 ዎ እስራኤል፡ እቲ ኽብረትካ
ኣብ በረኽትኻ ተወግኤ፡ እቶም ጀጋኑኸ ኸመይ ኢሎም ወደቑ። 20 ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን
ከይሕጐሳ፡ ኣዋልድ እቶም ዘይግዙራት ባህ ከይብለንሲ፡ እዚ ኣብ ጋት ኣይትንገሩ፡ ኣብ ኣደባባያት
ኣስቃሎንውን ኣይተውርዩ። 21 ኣቱም ኣኽራን ጊልቦዓ፡ ዋልታ እቶም ጀጋኑ፡ ዋልታ ሳኦል ብዘይቲ ኸም
ዘይተቐብኤ፡ ኣብኡ ተደርብዩ እዩ እሞ ኣውልን ዝናምን ኣይውረድኩም፡ ኣባኹም ከኣ ናይ ዚለዐል
መስዋእቲ ግርሁ ኣይኹን። 22 ቀስቲ ዮናታን ካብ ደም እቶም ውጉኣት፡ ካብ ስብሒ እቶም ጀጋኑ
ንድሕሪት ኣይተመልሰን፡ ሴፍ ሳኦልውን ጥራዩ ኣይተመልሰን። 23 ሳኦልን ዮናታንን ብህይወቶም፡
ፍቑራትን ልጉባትን ነበሩ፡ ብሞቶምውን ኣይተፋለዩን፡ ካብ ንስሪ ዚቕልጥፉ፡ ካብ ኣንበሳ ዚሕይሉ
ነበሩ። 24 ኣትን ኣዋልድ እስራኤል፡ ነቲ ዜሐጒስ ቀይሕ ግምጃ ዘልበሰክን፡ ክዳውንትኽንውን ወርቂ
ዝሰለመ፡ ንሳኦል ብኸያሉ። 25 እዞም ጀጋኑ ኸመይ ኢሎም ኣብ ማእከል ውግእ ወደቑ። ዮናታን ኣብ
በረኽትኻ ሞተ። 26 ዎ ዮናታን ሓወይ፡ ብዙሕ እፈትወካ ነይረ እየ እሞ፡ ብኣኻ እጭነቕ ኣሎኹ። እቲ
ንኣይ ምፍቃርካ ዜገርም ነበረ፡ ካብ ፍቕሪ ኣንስቲ ይሐልፍ ነበረ። 27 እዞም ጀጋኑኸ ኸመይ ኢሎም

ወደቑ። ኣጽዋር ውግእውን ከመይ ኢሎም ጠፍኡ።

# ምዕራፍ 2

1 ኰነ ከኣ፡ ድሕርዚ ዳዊት፡ ካብ ከተማታት ይሁዳ ናብ ሓንቲዶ ኽድይብ፡ ኢሉ ንእግዚኣብሄር ጠየቐ።
እግዚኣብሄር ድማ፡ ደይብ፡ በሎ። ዳዊት ከኣ፡ ናብ ኣየነይቲ ኽድይብ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ናብ ኬብሮን፡
በለ። 2 ሽዑ ዳዊትን ክልቲ ኤን ኣንስቱ፡ ኣሒኖዓም ብዓልቲ ይዝርኤልን ኣቢጋይል፡ ሰበይቲ ናባል ብዓል
ቈርሜሎስን፡ ኰይኖም ናብኣ ደየቡ። 3 ዳዊት ድማ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰቡ፡ ነፍሲ ወከፍ መምስ ስድራ
ቤቱ፡ ኣደየቦም፡ ኣብ ከተማታት ኬብሮን ከኣ ተቐመጡ። 4 ሰብ ይሁዳ ድማ መጺኦም ንዳዊት ኣብ ልዕሊ
ቤት ይሁዳ ኺነግስ ኣብኣ ቐብእዎ። ሽዑ፡ ንሳኦል ዝቐበርዎ ሰብ ያቤሽጊልዓድ እዮም፡ ኢሎም ንዳዊት
ነገርዎ። 5 ዳዊት ድማ ናብ ሰብ ያቤሽጊልዓድ ልኡኻት ሰዲዱ በሎም፡ ንጐይታኹም ንሳኦል
ብምቕባርኩም እዚ ምሕረት እዚ ስለ ዝገበርኩምሉ፡ ብእግዚኣብሄር ብሩኻት ኢኹም። 6 ሕጂ ኸኣ
እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ምሕረትን እምነትን ይግበር። ኣነ ድማ ስለ እዚ ዝገበርኩምዎ ነገር ጽቡቕ
ክገብረልኩም እየ። 7 ሕጂ ኸኣ፡ ጐይታኹም ሳኦል ሞይቱ እዩ፡ ግናኸ ንኣይ ቤት ይሁዳ፡ ንጉሶም
ክኸውን፡ ቀቢኦምኒ እዮም፡ እምበርኣርሲ ኣእዳውኩም ኣጽንዑ፡ ሓያላት ድማ ኹኑ። 8 ኣብኔር ወዲ ኔር
እቲ ሓለቓ ሰራዊት ሳኦል ግና ንኢሽቦሸት ወዲ ሳኦል ወሲዱ፡ ናብ ማሓናዪም ኣሳገሮ፡ 9 ኣብ ልዕሊ
ጊልዓድን ኣብ ልዕሊ ኣሹራውያንን ኣብ ልዕሊ ይዝርኤልን ኣብ ልዕሊ ኤፍሬምን ኣብ ልዕሊ ብንያምን
ኣብ ልዕሊ ኹሎም እስራኤልን ድማ ኣንገሶ። 10 ኢሽበሸት ወዲ ሳኦል ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኪነግስ ከሎ፡
ወዲ ኣርብዓ ዓመት ነበረ። ክልተ ዓመት ከኣ ነገሰ። ቤት ይሁዳ ጥራይ ደድሕሪ ድዊት ሰዐበት። 11 እቲ
ዳዊት ኣብ ልዕሊ ቤት ይሁዳ ኣብ ኬብሮን ዝነገሰሉ ዘበን ሾብዓተ ዓመትን ሹድሽተ ወርሕን ወርሕን
እዩ። 12 ኣብኔር ወዲ ኔርን ገላዉ ኢሽቦሸት ወዲ ሳኦልን ድማ ካብ ማሓናዪም ናብ ጊብዖን ወጹ። 13
ዮኣብ ወዲ ጽሩያን ገላዉ ዳዊትን ከኣ ወጺኦም ኣብ ቀላይ ጊብዖን ንሓድሕዶም ተራኸቡ። እዚኣቶም ነቲ
ቐላይ በዚ ሓደ ወገኑ፡ እቲኣቶም ከኣ ነቲ ቐላይ በቲ ሓደ ወገኑ ተቐመጡ። 14 ሽዑ ኣብኔር ንዮኣብ፡ በጃኻ
እዞም መንእሰይ ይተንስኡ እሞ፡ ኣብ ቅድሜና ይጻወቱ፡ በሎ። ዮኣብ ከኣ፡ ይተንስኡ፡ በለ። 15 ሽዑ
ተንሲኦም ብቚጽሪ ናይ ብንያምን ናይ ኢሽቦሸት ወዲ ሳኦልን ዓሰርተው ክልተ ሓለፉ። 16 ነፍሲ ወከፍ
ርእሲ ብጻዩ ኣጽኒዑ ሒዙ ሴፍ ኣብ ጐድኒ ብጻዩ ሸኸተ፡ ተተሓሒዞም ከኣ ብሓደ ወደቑ። ስለዚ እታ
ቦታ ሔልቃትሃጹሪም ተባህለት፡ ንሳ ኣብ ጊብዖን እያ ዘላ። 17 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ እቲ ውግእ ኣዝዩ
በርትዔ፡ ኣብኔርን እቶም ሰብ እስራኤልን ከኣ ኣብ ቅድሚ ገላዉ ዳዊት ተሳዕሩ። 18 ኣብኡ ድማ
ሰለስቲኦም ደቂ ጽሩያ ዮኣብን ኣቢሻይን ዓሳሄልን ነበሩ። ዓሳኤል ከኣ ከምታ ኣብ መሮር ዘላ ሶስሓ እግሩ
ፈኲሽ ነበረ። 19 ዓሳሄል ድማ ደድሕሪ ኣብኔር ሰዐበ፡ ደድሕሪ ኣቤር ንምሶኣብ ኪኸይድ ከሎ ኸኣ ንየማን
ወይ ንጸጋም ኣየግለሰን። 20 ሽዑ ኣብኔር ገጹ መሊሱ፡ ንስኻ ዓሳሄል ዲኻ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ኣነ እየ፡ በለ።
21 ኣብኔር ድማ፡ ንየማንካ ወይ ንጸጋምካ ኣቢልካ ኣግልስ እሞ፡ ንሓደ መንእሰይ ሒዝካስ ኣጽዋሩ
ውሰድ፡ በሎ። ዓሳሄል ግና ደድሕሪኡ ኻብ ምስዓብ ኬግልስ ኣይፈተወን። 22 ኣብኔር ድማ ከም ብሓድሽ
ንዓሳኤል፡ ካብ ምስዓበይ ኣግልስ፡ ስለምንታይ ናብ ምድሪ ዘጣብቐካ፡ ደሓርከ ኸመይ ገይረ ገጸይ ናብ
ሓውካ ዮኣብ ከልዕል እየ፡ በሎ። 23 ንሱ ግና ምግላስ ኣበየ። ሽዑ ኣብኔር ብሓንካሾ ኹናት ከብዱ ወግኦ
እሞ፡ እቲ ኹናት ከብዱ ወግኦ እሞ፡ እቲ ኹናት ብድሕሪኡ ወጸ፡ ኣብኡ ወዲቑ ኸኣ ሞተ። ኰነ ድማ፡
ናብታ ዓሳሄል ወዲቑ ዝሞተላ ቦታ ዝመጸ ዘበለ ኣብኣ ደው ይብል ነበረ። 24 ዮኣብን ኣቢሻይን ግና

ንኣብኔር ሰጐጕዎ። ኣብታ ኣብ መገዲ በረኻ ጊብዖን፡ ኣብ መንጽር ጊያሕ ዘላ ኹርባ ኣማ ምስ በጽሑ፡
ጸሓይ ዐረበት። 25 ደቂ ብንያም ከኣ ደድሕሪ ኣብኔር ተአኪቦም፡ ሓደ ጭፍራ ዀይኖም፡ ኣብ ርእሲ
ሓንቲ ኹርባ ደው በሉ። 26 ሽዑ ኣብኔር ንዮኣብ ጸዊዑ፡ ኣታ፡ ሴፍዶ ንሓዋሩ ኺውሕጥ እዩ፡ ንዳሕራዩ
መሪር ከም ዚኸውንከ ኣይትፈልጥን ዲኻ፡ ነቶም ህዝቢ ኻብ ምስዓገ ኣሕዋቶም ኪምለሱ
ዘይትእዝዝከ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ፡ በሎ። 27 ዮኣብ ከኣ፡ ህያው ኣምላኽ እዩ፡ ንስኻ እንተ ዘይትዛረብሲ፡
እዚ ህዝቢ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብ ምስዓገ ሓዉ ቕድሚ ጽባሕ ንግሆ ኣይምተመልሰን፡ በለ። 28 ሽዑ ዮኣብ
መለኸት ነፍሔ፡ ኲሉ ህዝቢ ድማ ደው በለ፡ ድሕርዚ ኸኣ ንእስራኤል ኣይሰጐጐን፡ መሊሶምውን
ኣይተዋግኡን። 29 ኣብኔርን እቶም ሰቡን ድማ እታ ለይቲ እቲኣ ብመልኣ ብጐልጐል ከይዶ ሓዲሮም
ዮርዳኖስ ተሳገሩ፡ ንብዘላ ቢትሮን ሐሊፎም ድማ ናብ መሓናይም ኣተዉ። 30 ዮኣብ ከኣ ንኣብኔር ካብ
ምስዓገ ተመልሰ፡ ንዅሉ ህዝቢ ምስ ኣከቦ ድማ፡ ክብ ገላዉ ዳዊት ዓሰርተው ትሽዓተ ሰብኣይን
ዓሳሄልን ጐደሉ። 31 እቶም ገላዉ ዳዊት ግና ካብ ብንያምን ካብ ናይ ኣብኔር ሰባትን ሰለስተ ሚእትን
ስሳን ቀተሉ። 32 ንዓሳሄል ከኣ ወሲዶም ኣብቲ ኣብ ቤትልሄም ዘሎ መቓብር ኣቦኡ ቐበርዎ። ዮኣብን
እቶም ሰቡን ድማ ምሉእ ለይቲ ኸይዶ ሓዲሮም፡ ኣብ ኬብሮን ወግሓሎም።

# ምዕራፍ 3

1 እቲ ውግእ ድማ ኣብ መንጎ ቤት ሳኦልን ኣብ መንጎ ቤት ዳዊትን ነዊሕ ኰነ። ዳዊት ከኣ እናበርትዔ
ኸደ፡ ቤት ሳኦል ግና እናደኸመት ከደት። 2 ንዳዊት ድማ ኣብ ኬብሮን ኣወዳት ተወልዱሉ። እቲ በዅሩ
ኸኣ ካብ ኣሒኖዓም ብዓልቲ ይዝርኤል እተወልደ ኣምኖን እዩ። 3 እቲ ኻልኣዩውን ካብ ኣቢጋይል፡
ሰበይቲ ናባል ብዓል ቀርሜሎስ፡ እተወልደ ኪልኣብ እዩ። እቲ ሳልሳይ ከኣ ኣቤሴሎም፡ ወዲ ማዓካ ጓል
ታልማይ፡ ንጉስ ጌሹር፡ እዩ። 4 እቲ ራብዓይ ድማ ኣዶንያ ወዲ ሓጊት እዩ። እቲ ሓምሳይ ከኣ ሸፋጥያ
ወዲ ኣቢጣል እዩ። 5 እቲ ሳድሳይ ድማ ካብ ዔግላ ሰበይቲ ዳዊት እተወልደ ዪትርዓም እዩ። እዚኣቶም
ንዳዊት ኣብ ኬብሮን ተወልዱሉ። 6 ኰነ ድማ፡ እቲ ውግእ ኣብ መንጎ ቤት ሳኦልን ኣብ መንጎ ቤት
ዳዊትን ከሎ፡ ኣብኔር ኣብ ቤት ሳኦል ሰልጢኑ ነበረ። 7 ሳኦል ከኣ ርጽጳ ዝስማ ጓል ኣያ፡ ሰበይቲ ወሰን
ነበረቶ። ኢሽቦሸት ድማ ንኣብኔር፡ ስለምንታይ ኢኻ ናብታ ሰበይቲ ወሰን ኣቦይ ዝኣቶኻ፡ በሎ። 8 ሽዑ
ኣብኔር በቲ ዘረባ ኢሽቦሸት ኣዝዩ ተናዲዱ በለ፡ ኣነስ ናይ ይሁዳ ርእሲ ኸልቢ ድየ፡ ሎሚ ንቤት ኣቦኻ
ሳኦልን ነሕዋቱን ንፈተውቱን ምሕረት እገብር ኣሎኹ፡ ኣብ ኢድ ዳዊት ከኣ ኣሕሊፈ ኣይሀብኩኻን፡
ንስኻ ግና ሊሚ ብዛዕባ እዛ ሰበይቲ እዚኣ በደል ቈጸርካለይ። 9-10 ከምቲ እግዚኣብሄር ንዳዊት
ዝመሐለሉ፡ እታ መንግስቲ ኻብ ቤት ሳኦል ከም እትሐልፍ፡ ዝፋን ዳዊት ከኣ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን
ኣብ ልዕሊ ይሁዳን ካብ ዳን ክሳዕ ብኤርሸባዕ ከም ዚቕውም፡ እንተ ዘይገይረ፡ ኣምላኽ ንኣብኔር ከምዚ
ይግበሮ፡ ከምዚውን ይወስኾ። 11 ሽዑ ንኣብኔር ስለ ዝፈርሆ፡ ሓንቲ እኳ ኺዛረቦ ኣይከኣለን። 12 ሽዑ
ኣብኔር ናብ ዳዊት ልኡካት ሰዲዱ፡ እዛ ሃገር ንመን እያ፡ በለ። ኪዳንካ ግዳ እተወለይ፡ እንሆ ኸኣ፡
ብዘለዉ እስራኣኤል ናባኻ ንምምላስ ኢደይ ምሳኻ እያ፡ ከኣ በለ። 13 ንሱ ድማ፡ ጽቡቕ፡ ኣነ ምሳኻ
ኺዳን እኣቱ፡ ሃደ ነገር ግዳ ኻባኻ እደሊ ኣሎኹ፡ ንሱ ኸኣ ገጸይ ክትርኢ ምስ እትመጽእ፡ ቅድም
ንሚካል ጓል ሳኦል እንተ ዘየምጻእካ፡ ገጸይ ኣይትርእን ኢኻ፡ በለ። 14 ዳዊት ድማ ናብ ኢሽቦሸት ወዲ
ሳኦል ልኡኻት ሰዲዱ፡ እታ ብሚእቲ ዕልቦ ፍልስጥኤማውያን ዘሕጼኽዋ ሰበይተይ ሚካል ምለሰለይ፡
በሎ። 15 ኢሽቦሸት ከኣ ልኢኹ ኻብ ሰብኣያ፡ ካብ ጳልጢኤል ወዲ ላዪሽ፡ ወሰዳ። 16 እቲ ሰብኣያ ግና

ምስኣ ኸደ፡ ኪኸይድ ከሎ እናበኸየ ኽሳዕ ባሑሪም ሰዐባ። ሽዑ ኣብኔር፡ ኪድ፡ ተመለስ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ
ተመልሰ። 17 ኣብኔር ድማ ንዓበይቲ እስራኤል፡ ዳዊት ኣብ ልዕሌኹም ንጉስ ኪኸውን ካብ ቀደም
ደሊኹምዎ ኔርኩም ኢኹም። 18 እግዚኣብሄርውን ብዛዕባ ዳዊት፡ ንህዝበይ እስራኤል ካብ ኢድ
ፍልስጥኤማውያንን ካብ ኢድ ኲሎም ጸላእቶምን ብኢድ ዳዊት ባርያይ ከድሕኖም እየ፡ ኢሉ ተዛሪቡ
ነይሩ እዩ እሞ፡ እምበኣር ሕጂ ግበርዎ፡ ኢሉ ተዛረቦም። 19 ኣብ እዝኒ ብንያምውን ኣብኔር ተዛረበ።
ኣብኔር ድማ እቲ ንእስራኤልን ንብዘላ ቤት ብንያምን ጽቡቕ ኰይኑ እተራእዮም ኲሉ ኣብ እዝኒ ዳዊት
ኪዛረብ ናብ ኬብሮን ከደ። 20 ኣብኔር ምስኡ ኸኣ ዕስራ ሰብ ናብ ዳዊት ናብ ኬብሮን መጹ። ዳዊት ድማ
ንኣብኔርን ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰብን ምሳሕ ገበረሎም። 21 ኣብኔር ድማ ንዳዊት፡ ምሳኻ ኺዳን ምእንቲ
ኺኣትዉስ፡ ንኹሎም እስራኤል ናብ ጐይታይ ንጉስ ክእክቦም፡ ተንሲኤ ክኸይድ፡ ሽዑ ኽምቲ ነፍስካ
ዝደለየቶ ኹሉ ጌርካ ትነግስ፡ በሎ። ዳዊት ከኣ ንኣብኔር ሰደዶ፡ ብሰላም ድማ ኸደ። 22 እንሆ ኸኣ፡ ገላዉ
ዳዊትን ዮኣብን ካብ ወራር መጹ፡ ምሰታቶም ድማ ብዙሕ ምርኮ አእተዉ። ኣብኔር ግና፡ ዳዊት
ኣፋንይዎ ብሰላም ስለ ዝኸደ፡ ኣብ ኬብሮን ምስኡ ኣይነበረን። 23 ዮኣብን ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ሰራዊትን
ምስ አተዉ ኸኣ፡ ኣብኔር ወዲ ኔር ናብ ንጉስ መጺኡ ነይሩ፡ ንሱ ኸኣ ኣፋንይዎስ፡ ብሰላም ከይዱ፡
ኢሎም ንዮኣብ ነገርዎ። 24 ሽዑ ዮኣብ ናብ ንጉስ አትዩ፡ እንታይ እዩ ዝገበርካዮ፡ እንሆ፡ ኣብኔር መጺኡካ
ኸሎስ፡ ስለምንታይ ኢኻ ፈጺሙ ኪኸይድ ዝሐደግካዮ፡ 25 ኣብኔር ወዲ ኔር ባዕልኻዶ ትፈልጦ
ኣይኰንካን፡ ንሱ ኼዕሽወካን ምውጻእካን ምእታውካን ድማ ኪፈልጥን፡ ንስካ እትገብሮ ዅሉውን
ኪፈልጥ ከም ዝመጸ፡ ትፈልጥ ኣሎኻ፡ በሎ። 26 ዮኣብ ካብ ዳዊት ምስ ወጸ ድማ፡ ደድሕሪ ኣብኔር
ልኡኻት ሰደደ፡ ካብ ሓጽቢ ሲራ ኸኣ መለስዎ። ዳዊት ግና ኣይፈለጠን። 27 ኣብኔር ናብ ኬብሮን ምስ
ተመልሰ ኸኣ፡ ዮኣብ ኣብ በይኑ ኺዛረቦ ኢሉ ናብ ማእከል ደገ ኣግለሶ፡ ኣብኡ ድማ ብዛዕባ ደም ሓዉ
ዓሳሄል ከብዱ ወግኦ፡ ሞተ ኸኣ። 28 ድሕርዚ ኸኣ ዳዊት እዚ ሰምዔ እሞ፡ ኣነን መንግስተይን ካብ ደም
ኣብኔር ወዲ ኔር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ንጹሃን ኢና። 29 እዚ ኣብ ልዕሊ ርእሲ ዮኣብን ኣብ
ልዕሊ ብዘላ ቤት ኣቦኡን ይውደቕ፡ ኣብ ቤት ዮኣብ ድማ ጀጋል ወይ ለምጻም ወይ ምርኩስ ዚምርኰስ
ወይ ብሴፍ ዚወድቕ ወይ እንጌራ ዚጐድሎ ኣየቛርጽ፡ በለ። 30 ኣብኔር ንሓዎም ዓሳሄል ኣብ ጊብዖን
ኣብቲ ውግእ ስለ ዝቐተሎ፡ ዮኣብን ኣቢሳይ ሓዉን ከኣ ንኣብኔር ቀተልዎ። 31 ዳዊት ድማ ንዮኣብን ነቲ
ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝብን፡ ክዳውንትኹም ቅደዱ፡ ከሊውን ተኸደኑ፡ ቀቅድሚ ኣብኔር ከኣ ብኸዩ፡
በሎም። ንጉስ ዳዊት ድማ ደድሕሪ እቲ ቓሬዛ ይኸይድ ነበረ። 32 ንኣብኔር ከኣ ኣብ ኬብሮን ቀበርዎ፡
ንጉስ ድማ ኣብቲ መቓብር ኣብኔር ድምጹ ዓው ኣቢሉ በኸየ፡ ኲሎም ህዝቢውን በኸዩ። 33 ንጉስ ድማ
ንኣብኔር፡ ከምዚ ኢሉ ኣልቀሰሉ፡ ኣብኔርውንንዶ ኣማውታ ዓሻ ይመውት፡ 34 ኣእዳውካ እሱራት
ኣይነበራን፡ ኣእጋርካውን ብመቐሕ ኣይተቓቐራን፡ ከምቲ ኣብ ቅድሚ ዓመጽቲ ዚወድቕ ወደቕኻ።
ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ በኸዩሉ። 35 እቶም ህዝቢ ኹሎም ከኣ ንዳዊት ገና መዓልቲ ኸሎ እንጌራ
ኺብልዕዎ መጹ፡ ዳዊት ግና፡ ጸሓይ ከይዐረበት እንጌራ ኰነ ወይ ዝኾነ ኹሉ እንተ ጠዐምኩ፡ ኣምላኽ
ከምዚ ይግበረኒ፡ ከምዚውን ይድገመኒ፡ ኢሉ መሓለ። 36 ኲሎም እቶም ህዝቢ ኸኣ እዚ ምስ ፈለጡ፡
ጽቡቕ ኰይኑ ተራእዮም። ኲሎም እቶም ህዝቢ ኽምቲ ንጉስ ዝገበሮ ኹሉ ጽቡቕ ኰይኑ ተራእዮም። 37
እቲ ምቕታል ኣብኔር ወዲ ኔር ካብ ንጉስ ከም ዘይኰነ፡ ብዘሎ እቲ ህዝብን ብዘሎ እስራኤልን በታ
መዓልቲ እቲኣ ፈለጡ። 38 ንጉስ ድማ ነቶም ገላዉኡ፡ ሎሚ መዓልቲ ኣብ እስራኤል መስፍንን ዓብዪ
ሰብን ከም ዝወደቐዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ 39 ኣነ ኸኣ፡ ምንም እኳ ንጉስ ክኸውን እንተ ተቐባእኩ፡
ድኹም እየ፡ እዞም ሰባት እዚኦም ደቂ ጽሩያ ድማ በርቲያምኒ እዮም። ነቲ ኽፉእ ዚገብርሲ፡

እግዚኣብሄር ደአ ኽምቲ ኽፍኣቱ ይፍደዮ፡ በሎም።

## ምዕራፍ 4

1 ወዲ ሳኦል ድማ ኣብኔር ኣብ ኬብሮን ከም ዝሞተ ምስ ሰምዔ፡ ኣእዳዉ ዘርጋሕ በለ፡ ብዘለዉ
እስራኤል ከኣ ሰምበዱ። 2 ንወዲ ሳኦል ድማ ክልተ ሰብ፡ ሓላቑ ሰራዊት ነበርዎ፡ ስም እቲ ሓደ ባዓና፡
ስም እቲ ኻልኣይ ከኣ ሬካብ፡ ደቂ ሪሞን ብኤሮታዊ፡ ካብ ደቂ ብንያም እዮም። ብኤሮትሲ ናብ ብንያም
እያ እትቑጸር። 3 እቶም ብኤሮታውያን ናብ ጊታዪም ሀዲሞም ክሳዕ ሎሚ ኣብኡ ስደተኛታት ኰይኖም
ኣለዉ። 4 ዮናታን ወዲ ሳኦል ከኣ እግሩ እተጐድኤ ወዲ ነበሮ። ንሱ እቲ ወረ ሳኦልን ዮናታንን ካብ
ይዝርኤል ኪመጽእ ከሎ፡ ወዲ ሓሙሽተ ዓመት ነበረ፡ እታ መጕዚቱ ድማ ሒዛቶ ሀደመት። ኰነ ኸኣ፡
ቀልጢፉ ኽትሀድም ከላ፡ ንሱ ወደቐ እሞ ሓንካስ ኰነ። ስሙ ኸኣ መፊቦሸት ተባህለ። 5 እቶም ደቂ
ሪሞን ብኤሮታዊ፡ ሬካብን ባዓናን ከዱ፡ መዓልቲ ምስ ደሀረ ኢሽቦሸት ድቃስ ቀትሪ ደቂሱ ኸሎ፡ ናብ
ቤቱ ኣተዉ። 6 ስርናይ ዚወስዱ መሲሎም ናብ ማእከል ቤት ኣትዮም ከብዱ ወግእዎ። ሽዑ ሬካብን
ባዓና ሓዉን ኣምለጡ። 7 ናብ ቤቱ ምስ ኣተዉ ኸኣ፡ ንሱ ኣብ ሕልፍኚ ኣብ ዓራቱ ደቂሱ ኸሎ፡ ወጊኦም
ቀተልዎ፡ ርእሱ ቘረጹ። ርእሱ ወሲዶም ድማ ምሉእ ለይቲ ብመገዲ ጐልጐል ከዱ። 8 ርእሲ ኢሽቦሸት
ከኣ ናብ ዳዊት ኣብ ኬብሮን ኣምጽኡ፡ ንንጉስ ከኣ፡ ርእሲ ኢሽቦሸት፡ ወዲ እቲ ንነፍስኻ ዚደልያ ዝነበረ
ሳኦል ጸላኢኻ፡ እንሆልካ። እግዚኣብሄር ሎሚ ንጐይታይ ንጉስ ካብ ሳኦልን ካብ ዘርኡን ሕነ ፈደየሉ፡
በልዎ። 9 ሽዑ ዳዊት ንሬካብን ንባዓና ሓዉን፡ ደቂ ሪሞን ብኤሮታዊ፡ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፡
እግዚኣብሄር ሀያው እዩ፡ እቲ ንነፍሰይ ካብ ኵሉ ጸበባ ዘድሐና፡ 10 ነቲ ዘበሰረ መሲልዎስ፡ እንሆ፡ ሳኦል
ሞይቱ፡ ኢሉ ዝነገረኒ፡ ብስራቱ ንምኽፋል ሒዘ ኣብ ጺቅላግ ቀተልክዎ። 11 ዝገደደ ግዳ እኩያት ሰባት
ነቲ ጻድቕ ሰብኣይ ኣብ ቤቱን ኣብ መደቀሲኡን ዝቐተልዎ፡ ሕጂ ኸኣ ከመይ እቲ ደሙ ኻብ
ኣእዳውኩምዶ ኣይደልዮን፡ ካብ ምድርስ ኣየጥፍኣኩምንዶ፡ 12 ዳዊት ድማ ንገላዉኡ ኣዘዞም፡ ንሳቶን ከኣ
ቀተልዎም፡ ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ድማ ቈራሪጽዎም፡ ኣብ ጥቓ ቐላይ ኬብሮን ሰቐልዎም። ርእሲ
ኢሽቦሸት ግና ኣብ መቓብር ኣብኔር ኣብ ኬብሮን ቀበርዎ።

## ምዕራፍ 5

1 ሽዑ ብዘለዉ ነገዳት እስራኤል ናብ ዳዊት ናብ ኬብሮን መጺኦም፡ እኔና፡ ንሕና ዓጽምኻን ስጋኻን
ኢና፡ ኢሎም ተዛረብዎ፡ 2 ካብ ቀደም፡ ሳኦል ኣብ ልዕሌና ነጊሱ ኸሎ፡ ንስኻ ንእስራኤል እተውጽእን
እተእቱን ነበርካ። እግዚኣብሄር ድማ ንኣኻ፡ ንስኻ ንህዝበይ እስራኤል ክትጓሲ ኢኻ፡ ንስኻ ኸኣ ኣብ
ልዕሊ እስራኤል መስፍን ክትከውን ኢኻ፡ ኢሉካ እዩ፡ በልዎ። 3 ኵሎም ዓበይቲ እስራኤል ድማ ናብ
ንጉስ ኣብ ኬብሮን መጹ፡ ንጉስ ዳዊት ከኣ ኣብ ኬብሮን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምሳታቶም ኪዳን
ኣተወ። ንዳዊት ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ ኪኸውን ቀብእዎ። 4 ዳዊት ኪነግስ ከሎ ወዲ ሰላሳ
ዓመት ነበረ፡ ኣርብዓ ዓመት ከኣ ነገሰ፡ 5 ኣብ ኬብሮን ኰይኑ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ ሾብዓተ ዓመትን ሹድሽተ
ወርህን ነገሰ፡ ኣብ የሩሳሌም ኰይኑ ድማ ኣብ ልዕሊ ብዘሎ እስራኤልን ይሁዳን ሰላሳን ሰለስተን ዓመት
ነገሰ። 6 ንጉስን ሰቡን ድማ ናብ የሩሳሌም፡ ነቶም ኣብታ ሃገር ዝንበሩ ይቡሳውያን ኪዋግኡ ኸዱ።
ንሳቶም ንዳዊት፡ ናብዝስ ኣይትኣቱን ኢኻ፡ ዕዉራትን ሓንካሳትን እኳ ኺስጉኻ እዮም፡ በልዎ። ማለት

ዳዊት ናብዚ ኣይኪኣቱን እዩ። 7 ዳዊት ግና ንእምባ ጽዮን፡ ንሳ ኸተማ ዳዊት፡ ሓዛ። 8 ዳዊት ድማ በታ
መዓልቲ እቲኣ፡ ንየቡሳዊ ዝቐተለ ዘበለ ናብቲ መትርብ ማይ ይደይብ እሞ ነቶም ነፍሲ ዳዊት
እተጸልኦም ሓንካሳትን ውዕራትን ይቕተሎም በለ። ስለዚ ዕውርን ሓንሳስን ናብ ቤት ኣይእተዉ፡
ተባህለ። 9 ዳዊት ከኣ ኣብ እምባ ተቐመጠ እሞ ከተማ ዳዊት ኣውጽኣላ። ዳዊት ድማ ካብ ሚሎ ሒዙ
ብዙርያኣን ብውሽጣን ነደቓ። 10 ዳዊት ከኣ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት ምስኡ ነበረ እሞ፡ እናዐበየ
ኸደ። 11 ሒራም ንጉስ ጢሮስ ድማ ንዳዊት ልኡኻትን ኦም ጽሕድን ጸረብትን ወቐርቲ እምንን ገይሩ
ሰደደሉ። ንሳቶም ከኣ ንዳዊት ቤት ሀነጹሉ። 12 ዳዊት ከኣ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ
ገይሩ ኸም ዘጽንዖ፡ ነታ መንግስዉውን ምእንቲ ህዝቡ እስራኤል ኢሉ ልዕል ከም ዘበላ ኣስተውዐለ። 13
ዳዊት ድማ ድሕርቲ ኻብ ኬብሮን ምምጻኡ መሊሱ ኣንስቲ ወሰንን ኣንስትን ካብ የሩሳሌም ወሰደ።
ኣንስቲ ወሰንን ኣንስትን ካብ የሩሳሌም ወሰደ። ንዳዊት ከኣ ካልኦት ኣወዳትን ኣዋልድን ተወልዱሉ። 14
እቶም ኣብ የሩሳሌም እተወልዱሉ ስሞም እዚ እዩ፡ ሻሙዓን ሾባብን ናታንን ሰሎሞንን፡ 15 ይብሓርን
ኤሊሹዓን ነፌግን ያፊዓን፡ 16 ኤሊሻማዕን ኤልያዳዕን ኤሊፈለጥን። 17 ፍልስጥኤማውያን ከኣ ንዳዊት ኣብ
ልዕሊ እስራኤል ኪነግስ ከም ዝቐብእዎ ምስ ሰምዑ፡ ኩሎም ፍልስጥኤማውያን ንዳዊት ኪደልይዎ
ደየቡ። ዳዊት ድማ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ናብ ዕርዲ ወረደ። 18 ፍልስጥኤማውያን ከኣ መጺኦም ኣብ ለሰ
ረፋይም ፋሕ በሉ። 19 ዳዊት ድማ ንእግዚኣብሄር፡ ንፍልስጥኤማውያን ክድይቦምሲ፡ ኣብ ኢደይዶ
ትህበኒ ኢኻ፡ ኢሉ ሐተቶ። እግዚኣብሄር ከኣ ንዳዊት፡ ደይቦም፡ ንፍልስጥኤማውያን ርግጽ ኣብ ኢድካ
ኽህበካ እየ፡ በሎ። 20 ዳዊት ድማ፡ ናብ በዓልጰራጺም መጸ፡ ኣብኣ ኸኣ ዳዊት ሰዐሮም፡ ማይ ከም
ዚብተን፡ እግዚኣብሄር ድማ ነቶም ጸላእተይ ካብ ቅድመይ በተኖም፡ በለ። ስለዚ ስም እታ ቦታ እቲኣ
በዓልጰራጺም ኣውጽኣላ። 21 ጣኦታቶም ከኣ ኣብኡ ሐደጉ፡ ዳዊትን ሰቡን ድማ ኣልዐልዎም። 22
ፍልስጥኤማውያን ከኣ ከም ብሓድሽ ደዪቦም ኣብ ለሰ ረፋይም ፋሕ በሉ። 23 ዳዊት ንእግዚኣብሄር ምስ
ሐተቶ ድማ፡ ንሱ፡ ኣይትደይቦም፡ ብድሕሪኦም ደአ ዙሮም፡ ብመንጽር እቲ ሳጋሉ ኸኣ እተዎም። 24
ኪኸውን ድማ እዩ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ሳጋሉ ናይ ዚረግጽ ድምጺ ምስ ሰማዕካ፡ ሽዑ እግዚኣብሄር
ንሰራዊት ፍልስጥኤማውያን ኪዋግኦም ቅድሜኻ ወጺኡ እዩ እሞ፡ ሽዑ ቐልጢፍካ ስረር፡ በሎ። 25
ዳዊት ከኣ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ፡ ከምኡ ገበር፡ ንፍልስጥኤማውያን ከኣ ካብ ጌብዕ ክሳዕ እታ
ንጌዘር እትኣትወላ ሰዐሮም።

## ምዕራፍ 6

1 ዳዊት ድማ መሊሱ ነቶም ካብ እስራኤል እተሐርዩ ኹሎም ሰላሳ ሽሕ ሰብኣይ ኣከቦም። 2 ዳዊት ከኣ
ተንሲኡ ምስቲ ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝቢ ነቲ በቲ ስም፡ ስም እቲ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ዚነብር
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እተጸውዓሉ ታቦት ኣምላኽ ካብ በዓለይሁዳ ኸደይቦ ኸደ። 3 ንሳቶም ከኣ
ነቲ ታቦት ኣምላኽ ኣብ ሓድሽ ሰረገላ ገይሮም ካብታ ኣብ ኩርባ ዝነበረት ቤት ኣቢናዳብ ኣልዐልዎ፡ ነቲ
ሓድሽ ሰረገላውን ዑዛን ኣሕዮን፡ ደቂ ኣቢናዳብ፡ ይመርሕዎ ነበሩ። 4 ካብታ ኣብ ኩርባ ምስ ታቦት
ኣምላኽ ዝነበረ ቤት ኣቢናዳብ ከኣ ኣልዐልዎ። ኣሕዮ ኸኣ ቀቅድሚ እቲ ታቦት ይኸይድ ነበረ። 5 ዳዊትን
ብዘላ ቤት እስራኤልን ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብኹሉ ዓይነት ቃናታት፡ ካብ ዕጨይቲ እተገብረ
ብበገናን ብመሰንቆን ብኸበሮን ብቓጽላትን ብጸናጽልን ይጻወቱ ነበሩ። 6 ኣብ ዓውዲ ናኮን ምስ መጹ
ግና፡ እቶም ኣብዑር ስለ ዝፋነኑ፡ ዑዛ ኢዱ ዘርጊሑ ነቲ ታቦት ኣምላኽ ሐዞ። 7 ሽዑ ኹራ እግዚኣብሄር

ኣብ ዑዛ ነደደ፡ ስለ ድፍረቱ ኸኣ ኣምላኽ ቀዘፎ፡ ኣብኡ ድማ ኣብ ጥቓ ታቦት ኣምላኽ ሞተ። 8 ዳዊት
ከኣ፡ እግዚኣብሄር ንዑዛ ስለ ዝሰበሮ፡ ብዓሂ ሐረረ፡ ነታ ቦታ እቲኣ ኸኣ፡ ከምቲ ኽሳዕ ሎሚ መዓልቲ
ዘሎ፡ ጴረጽዑዛ ኢሉ ሰመያ። 9 ዳዊት ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ንእግዚኣብሄር ፈርሁ፡ ታቦት
እግዚኣብሄር ከመይ ገይሩ ናባይ ኪመጽእ፡ በለ። 10 ስለዚ ኸኣ ዳዊት ንታቦት እግዚኣብሄር ናብ ቤት
ዖቤድኤዶም፡ ጊታዊ ኣእተዎ እምበር፡ ዳዊት ናብኡ፡ ናብ ከተማ ዳዊትሲ፡ ኬግዕዞ ኣይፈተወን። 11 እቲ
ታቦት እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ቤት ዖቤድኤዶም፡ ጊታዊ ሰለስተ ወርሒ ተቐመጠ። እግዚኣብሄር ድማ
ንዖቤድኤዶምን ንብዘላ ቤቱን ባረኾ። 12 እግዚኣብሄር ምእንቲ ታቦት ኣምላኽ ኢሉ ንቤት ዖቤድኤዶምን
ንዘለዎ ኹሉን ባረኾሉ፡ ኢሎም ንንጉስ ዳዊት ነገርዎ። ሽዑ ዳዊት ከይዱ ንታቦት ኣምላኽ ካብ ቤት
ዖቤድኤዶም ብሓጐስ ናብ ከተማ ዳዊት ኣደየቦ። 13 ኰነ ድማ፡ እቶም ታቦት እግዚኣብሄር ዝጸሩ ሹድሽተ
ስጕምቲ ምስ ሰጐሙ፡ ሓደ ብዕራይን ስቡሕ ድዑልን ሰውኤ። 14 ዳዊት ከኣ ብምሉእ ሓይሉ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ይስዕስዕ ነበረ፡ ዳዊት ኤፎድ ልሕጺ እንግጢዕ ድማ ተዐጢቑ ነበረ። 15 ዳዊትን ብዘላ ቤት
እስራኤልን ከኣ ንታቦት እግዚኣብሄር ብእልልታን ብቓና መለኸትን ኣደየብዎ። 16 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ታቦት
እግዚኣብሄር ናብ ከተማ ዳዊት ኪኣቱ ኸሎ፡ ሚካል ጓል ሳኦል ብመስኰት ተቐልቂላ ንጉስ ዳዊት ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪሰርርን ኪስዕስዕን ከሎ ረአየቶ እሞ ብልባ ነዐቐቶ። 17 ነቲ ታቦት እግዚኣብሄር
ኣምጺኦም ድማ ኣብ ስፍራኡ ኣብ ማእከል እቲ ዳዊት ዝተኸለሉ ድንኳን ኣንበርዎ። ዳዊት ከኣ ዚሐርር
መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣዕረገ፡ 18 ዳዊት ድማ ዚሐርር መስዋእትን
መስዋእቲ ምስጋናን ኣዕሪጉ ምስ ወድኤ፡ ነቲ ህዝቢ ብስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ባረኾ። 19
ንብዘሎ እቲ ህዝቢ ኸኣ፡ ንብዘሎ ኣኼብ እስራኤል፡ ካብ ሰብኣይ ክሳዕ ሰበይቲ ንነፍሲ ወከፍ ሓደ
ቕጫን ሓደ ቍራጽ ስጋን ሓደ ጐነ ዘቢብን መቐሎም። ድሕርዚ ኸኣ ብዘሎ እቲ ህዝቢ ነፍሲ ወከፍ
ነናብ ቤቱ ኸደ። 20 ዳዊት ድማ ንቤቱ ኺባርኽ ተመልሰ። ሚካል ጓል ሳኦል ከኣ ንዳዊት ክትቅበሎ
ወጺኣ፡ ንጉስ እስራኤልሲ፡ ከንቱ ዝኾነ ሰብ ከም ዚቕላዕ፡ ኣብ ቅድሚ ኣግራድ ገላዉኡ ብምቕላዑስ
ሎሚ ኽንደይ ከበረ፡ በለት። 21 ዳዊት ከኣ ንሚካል፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ድማ መስፍን ዝገበረኒ
እግዚኣብሄር፡ እወ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እየ ዝስሐቕ ዘሎኹ። 22 ገና እኳ ኻብዚ ክቐልል እየ፡ ኣብ
ዓይነይ ከኣ ኣዝየ ኽሐስር እየ፡ ኣብተን ዝበልክየን ኣግራድ ግና ክከብር እየ፡ በለ፡ 23 ሚካል ጓል ሳኦል
ከኣ ክሳዕ እታ እትሞተላ መዓልቲ ውሉድ ኣይነበራን።

## ምዕራፍ 7

1 ኰነ ድማ፡ እቲ ንጉስ ኣብ ቤቱ ምስ ተቐመጠ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ካብቶም ኣብ ዙርያኡ ዘለዉ ኹሎም
ጸላእቱ ምስ ኣዕረፎ፡ 2 እቲ ንጉስ ንነብዩ ናታን፡ ርኤማ በጃኻ፡ ኣነ ኣብ ቤት ጽሕዲ ኽነብር ከሎኹስ፡
ታቦት ኣምላኽ ኣብ ማእከል ድንኳን ዓለባታት ተቐሚጡ ኣሎ፡ በሎ። 3 ናታን ከኣ ንንጉስ፡ እግዚኣብሄር
ምሳኻ እዩ እሞ፡ ኪድ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎ ኹሉ ግበር፡ በሎ። 4 ኰነ ድማ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ቓል
እግዚኣብሄር ናብ ናታን መጺኡ ከምዚ በለ፡ 5 ኪድ፡ ንባርያይ ዳዊት፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብለካ ኣሎ፡
በሎ፡ ንስኻዶ ኣነ ዝነብረላ ቤት ክትሰርሓለይ ኢኻ፡ 6 ካብታ ንደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጻእኩላ
መዓልቲ ጀሚረ ኽሳዕ ሎሚ መዓልቲ ኣብ ድንኳንን ኣብ ማሕደርን ደአ እከይድ ነበርኩ እምበር፡ ኣብ
ቤትሲ ኣይነበርኩን። 7 ኣብቲ ምስ ኲሎም ደቂ እስራኤል ንህዝበይ ንእስራኤል ኪጓሲ ንዝኣዘዝክዎስ፡
ስለምንታይ ቤት ጽሕዲ ዘይሰራሕኩምለይ፡ ኢለዶ ተዛሪብኩ፡ 8 ሕጂ ኸኣ ንባርያይ ዳዊት ከምዚ በሎ፡

እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣነ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ ኣብ ልዕሊ እስራኤል መስፍን ክትከውን፡ ካብ ምጕሳይካ፡ ካብ ድሕሪ እተን ኣባጊዕ ኣምጻእኩኻ። 9 ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ ኸኣ ምሳኻ ነበርኩ፡ ንዅሎም ጸላእትኻውን ካብ ቅድሜኻ ኣጽነትክዎም። ከም ስምእቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉ ዓበይቲ ድማ ዓብዪ ስም ገበርኩልካ። 10-11 ንህዝበይ እስራኤልውን ቦታ ኽዳልወሉ፡ ድሕሪ ደጊም ከይነቓነቕሲ ኣብታ ቦታኡ ኽትኸሎ እየ። ሽዑ፡ ከምቲ ኻብታ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል ፈረዲ ኪኾኑ ዝኣዘዝኩላ መዓልቲ፡ እቶም ደቂ ዓመጽቲ ኸምቲ ናይ ቀደም ገይሮም መሊሶም ኣየጨንቕዎምን። ካብ ኲሎም ጸላእትኻ ድማ ከዕርፈካ እየ። ኤረ እግዚኣብሄርሲ ይነግረካ ኣሎ። 12 መዓልትታትካ ምስ መልአ፡ ምስ ኣቦታትካ ኸኣ ምስ ደቀስካ፡ ብድሕሬኻ ድማ ነቲ ኻብ ከርስካ ዚወጽእ ዘርእኻ ልዕል ከብሎ እየ፡ ነታ መንግስቱውን ከጽንዓ እየ። 13 ንሱ ንስመይ ቤት ኪሰርሕ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ዝፋን መንግስቱ ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። 14 ኣነ ኣቦ ክኾኖ፡ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ። እንተ በደለ ኸኣ፡ ብሸበጥ ሰብን ብመውቃዕቲ ደቂ ሰብን ገይረ ኽገርፎ እየ። 15 ግናኸ ከምቲ ነቲ ኻብ ቅድሜኻ ዘግለስክዎ ሳኦል ዘግለስኩሉ፡ ምሕረተይ ካብኡ ኣየግልስን። 16 ቤትካን መንግስትኻን ከኣ ኣብ ቅድሜኻ ንዘለኣለም ኪጸንዓ እየን፡ ዝፋንካውን ንዘለኣለም ኪጸንዕ እዩ። 17 ከም ኲሉ እዚ ዘረባ እዝን ከም ኲሉ እዚ ራእይ እዝን ናታን ከምኡ ገይሩ ንዳዊት ተዛረቦ። 18 ሽዑ ንጉስ ዳዊት ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣተወ ተቐሚጡ ድማ በለ፡ ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዘብጻሕካንስ፡ ኣነ መን እየ፡ ቤተይከ እንታይ እያ፡ 19 ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ እዚ ድማ ንእሽቶ ኾይኑ ተራእዩካስ፡ ብዛዕባ እቲ ናይ ቤት ባርያኻ ብርሑቕ ዚኸውን ትዛረብ ኣሎኻ። ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ እዝስ ሕጊ ሰብዶ እዩ፡ 20 ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ንባርያኻ ትፈልጦ ኣሎኻ፡ ደጊምከ ዳዊት መሊሱ እንታይ ኢሉ ክዛረበካ እዩ፡ 21 ምእንቲ እቲ ዘረባካን ከምቲ ናይ ልብኻን ንባርያኻ ኽተፍልጦስ፡ እዚ ዓብዪ ነገርዚ ገበርካ። 22 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ከምቲ ብእዛንና ዝሰማዕናዮ ኹሉስ፡ ከማኻ የልቦን፡ ብጀካኻውን ኣምላኽ የልቦን እሞ፡ ስለዚ ዓብዪ ኢኻ። 23 ህዝቡ ምእንቲ ኪኸውን ኬድሕኖ፡ ስም ድማ ኪገብረሉ፡ እዚ ዓብዪ ነገር ኪገብረልኩምን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ኻብ ግብጺ፡ ካብ ኣህዛብን ካብ ኣማልኽቶምን ንኣኻ ኪኸውን ዘድሐንካዮ ህዝብኻ ንምድርኻ ዜፍርህ ነገር ኪገብርን ኢሉ ኣምላኽ ዝኸዶ፡ ኣብ ምድርኻ ኸም ህዝብኻ፡ ከም እስራኤል ዝበለ ኣየናይ ሓደ ህዝቢ ኣሎ፡ 24 ንህዝብኻ እስራኤል ከኣ ንዘለኣለም ህዝብኻ ኪኸውን መደብካዮ። ንስኻ እግዚኣብሄር ድማ ኣምላኾም ኰንካ። 25 ሕጂ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ነቲ ብዛዕባ ባርያኻን ብዛዕባ ቤቱን እተዛረብካዮ ነገር ንዘለኣለም ኣጽንዓዮ፡ ከምቲ እተዛረብካዮ ኸኣ ግበር። 26 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊትሲ ኣምላኽ እስራኤል እዩ፡ ብምባሎም ድማ ስምካ ንዘለኣለም ይዕበ። ቤት ባርያኻ ዳዊት ከኣ ኣብ ቅድሜካ ትቑም። 27 ዎ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ንባርያኻ፡ ኣነ ቤት ክሰርሓልካ እየ፡ ኢልካ ገሊጽካሉ ኢኻ፡ ስለዚ ባርያኻ እዚ ጸሎት እዚ ናባካ ኺጽሊ ኣብ ልቡ ረኸበ። 28 ሕጂ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ንስኻ ኣምላኽ ኢኻ፡ ዘረባኻውን ሓቂ እዩ፡ እዚ ጽቡቕ ነገር እዚውን ንባርያካ ኣተስፎኻዮ። 29 ሕጂ ድማ፡ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ቤት ባርያኻ ብበረኸትካ ንዘለኣለም ክትባረኽ ተዛሪብካ ኢኻ እሞ፡ ስለዚ ቤት ባርያካ ንዘለኣለም ኣብ ቅድሜካ ምእንቲ ኽትነብር፡ ክትባርኻ ፍቶ።

## ምዕራፍ 8

1 ድሕርዚ ኸኣ ኰነ፡ ዳዊት ንፍልስጥኤማውያን ሰዐሮምን ኣጥቕዖምን፡ ልጓም ርእሲ ኸተማኦም ድማ

ካብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ወሰዶ። 2 ንሞኣባውያንውን ሰዐሮም፡ ኣብ ምድሪ በጥ ኣቢሉ ኸኣ ብገመድ
ሰፈሮም፡ ክልተ ገመድ ንሞት፡ ገመድ ምሉእ ከኣ ንህይወት ሰፈረ። ሞኣባውያን ከኣ ንዳዊት ገላዉኡ
ኰይኖም ገጽ በረከት ኣምጽኡሉ። 3 ዳዊት ከኣ ነቲ ኣብ ርባ ኤፍራጥስ ዝነበረ ግዝኣቱ ኺምልስ ኢሉ
ኪኸይድ ከሎ፡ ንሃዳድዔዘር፡ ወዲ ሬሖብ፡ ንጉስ ጾባ፡ ሰዐሮ። 4 ዳዊት ድማ ካብኡ ሽሕን ሾብዓተ
ሚእትን ፈረሰኛ፡ ዕስራ ሽሕ ከኣ ኣጋራይ ሰብ ወሰደ። ዳዊት ድማ ሚእቲ ፈረስ ሰረገላ ኣትሪፉስ፡
ንኹሎም ኣፍራስ ሰረገላ ኣእጋሮም ቀንጀቦም። 5 እቶም ናይ ደማስቆ ሶርያውያን ከኣ ንሃዳድዔዘር ንጉስ
ጾባ ኺረድኡ ኢሎም ምስ መጹ፡ ዳዊት ካብቶም ሶርያውያን ዕስራን ክልተን ሽሕ ሰብኣይ ቀተለ፡ 6
ዳዊት ድማ ኣብ ሶርያ ናይ ደማስቅ ሓለውቲ ኣቐመጠ። ሶርያውያን ከኣ ንዳዊት ገላዉኡ ኰይኖም ገጽ
በረኸት ኣምጽኡሉ። እግዚኣብሄር ድማ ንዳዊት ኣብ ዝኸዶ ዘበለ ዱል ሀቦ። 7 ዳዊት ከኣ ነቲ ኣብ ገላዉ
ሃዳድዔዘር ዝነበረ ዋላቱ ወርቂ ወሰደ፡ ናብ የሩሳሌም ድማ ኣምጽኦ። 8 ንጉስ ዳዊት ከኣ ካብ ቤጣሕን
ካብ ቤሮታይን፡ ከተማታት ሃዳድዔዘር፡ ኣዝዩ ብዙሕ ኣስራዚ ወሰደ። 9 ቶዒ ንጉስ ሓማት ድማ፡ ዳዊት
ንብዘሎ ሰራዊት ሃዳድዔዘር ከም ዝሰዐሮ ምስ ሰምዔ፡ 10 ሃዳድዔዘር ምስ ቶዒ ተዋጊኡ ነበረ እሞ፡
ንዳዊት ብዛዕባ ጥዕናኡ ኺሐቶን፡ ንሃዳድዔዛር ተዋጊኡ ስለ ዝሰዐሮ ኸኣ ኪምርቖን፡ ወዱ ዮራም
ለኣኸሉ። ኣብ ኢዱ ኸኣ ኣቓሑ፡ ብሩርን ኣቓሑ ወርቅን ኣቓሑ ኣስራዝን ገበረ። 11-12 ነዚውን ንጉስ
ዳዊት፡ ምስቲ ኻብቶም ዝሰዐሮም ኲሎም ኣህዝብ፡ ካብ ሶርያውያንን ካብ ሞኣባውያንን ካብ ደቂ
ዓሞንን ካብ ፍልስጥኤማውያንን ካብ ኣማሌቃውያንን ካብ ምርኮ ሃዳድዔዘር፡ ወዲ ሬሖብ፡ ንጉስ ጾባን
ወሲዱ ዝቐደሶ ብሩርን ወርቅን፡ ንእግዚኣብሄር ቀደሰሉ። 13 ዳዊት ድማ ንሶርያውያን ስዒሩ ምስ
ተመልሰ፡ ኣብ ለሰ ጨው ዓሰርተው ሾሞንተ ሽሕ ምስ ቀተለ፡ ስም ረኸበ። 14 ኣብ ኤዶም ከኣ ሓለውቲ
ኣቐመጠ፡ ኣብ ብዘላ ኤዶም ሐለውቲ ኣቐመጠ። ኲሎም ኤዶማውያን ከኣ ገላዉ ዳዊት ኰኑ። ንዳዊት፡
ኣብ ዝኸዶ ዘበለ፡ እግዚኣብሄር ዱል ሀቦ። 15 ዳዊት ድማ ንብዘሎ ህዝቡ ፍርድን ጽድቅን እናገበረ ኣብ
ልዕሊ ኹሉ እስራኤል ነገሰ። 16 ዮኣብ ወዲ ጽሩያ ሓለቓ ሰራዊት ነበረ፡ ይሆሻፋጥ ወዲ ኣሒሉድ ከኣ
ጸሃፍ ዛንታ፡ 17 ጻዶቅ ወዲ ኣሒጡብን ኣሒሜለክ ወዲ ኣብያታርን ድማ ካህናት ነበሩ፡ ሰራያ ኸኣ ጸሓፊ
ነበረ፡ 18 በናያ ወዲ ይሆያዳ ድማ ሓለቓ ክረታውያንን ጵለታውያንን ነበረ። ደቂ ዳዊት ከኣ ካህናት
ነበሩ።

## ምዕራፍ 9

1 ዳዊት ድማ፡ ካብ ቤት ሳኦልሲ ምእንቲ ዮናታን ኢለ ምህረት ዝገበረሉ ገለ ሓድጊ ደኾን ይህሉ፡ በለ።
2 ጺብ ዝስሙ ሰብኣይ ከኣ ኣገልጋሊ ቤት ሳኦል ነበረ፡ ንእኡ ናብ ዳዊት ጸውዕዎ። ንጉስ ድማ፡ ንስኻ
ዲካ ጺባ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ጊልያኻ ንሱ እዩ በለ፡ 3 ንጉስ ድማ፡ ምሕረት ኣምላኽ ክገብረሉስ፡ ካብ ቤት
ሳኦልዶ ገለ የልቦን፡ በለ። ጺባ ኸኣ ንንጉስ፡ ኣእጋሩ እተጐድኤ እባ ሓደ ወዲ ዮናታን ኣሎ፡ በሎ። 4
ንጉስ ድማ፡ ኣበይ ኣሎ ንሱ፡ በሎ። ጺባ ኸኣ ንንጉስ፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ ቤት ማኪር ወዲ ዓማኤል፡ ኣብ
ሎድባር ኣሎ፡ በሎ። 5 ሽዑ ንጉስ ዳዊት ልኢኹ ኻብ ቤት ማኪር ወዲ ዓሚኤል፡ ካብ ሎድባር ኣምጽኦ።
6 መፊቦሸት ወዲ ዮናታን፡ ወዲ ሳኦል፡ ናብ ዳዊት መጺኢ፡ ብገጹ ተደፊኡ ፍግም በለ፡ ዳዊት ድማ፡
መፊቦሸት፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ ጊልያኻ፡ በለ። 7 ዳዊት ድማ፡ ምእንቲ ኣቦኻ ዮናታን ኢሌ ርግጽ
ምሕረት ክገብረልካ እየ፡ ንስኻ ኸኣ ንሓዋሩ ኣብ መኣደይ እንጌራ ኽትበልዕ ኢኻ፡ በሎ። 8 ንሱ ድማ
ፍግም ኢሉ፡ ናብ ከማይ ዝበለ ምውት ከልቢ ገጽካ ኽትመልስሲ፡ ጊልያኻ እንታይ እየ፡ በለ። 9 ሽዑ

ንጉስ ንጺባ ጊልያ ሳኦል ጸዊዑ፡ ናይ ሳኦልን ናይ ብዘላ ቤቱን ዝዀነ ዅሉ ንወዲ ጐይታኻ ሂበዮ
ኣሎኹ። [10] ንስኻን ደቅኻን ግዙኣትካን ድማ፡ ንወዲ ጐይታኻ ምእንቲ ዚብላዕ እንጌራ ኪኾኖስ፡ እቲ
መሬት ሐሪስኩም፡ ንእኡ ኣእትወሉ። መፊቦሸት ወዲ ጐይታኻ ግና ንወርትግ ኣብ መኣደይ እንጌራ
ኺበልዕ እዩ፡ በሎ። ንጺባ ኸኣ ዓሰርተው ሓሙሽተ ኣወዳትን ዕስራ ግዙኣትን ነበርዎ። [11] ጺባ ድማ
ንንጉስ፡ ከምቲ ጐይታይ ንጉስ ንጊልያኡ ዝኣዘዞ ዅሉ ጊልያኻ ኸምኡ ኺገብር እዩ፡ በሎ። ንጉስ
መሊሱ፡ መፊቦሸትሲ ኸም ሓደ ኻብ ደቂ ንጉስ ኣብ መኣደይ ኪበልዕ እዩ፡ በለ። [12] መፊቦሸት ከኣ፡ ሚካ
ዝስሙ ንእሽቶ ወዲ ነበሮ። ኣብ ቤት ጺባ ዝነበሩ ዅሎም ድማ ገላዉ መፊቦሸት ኰኑ። [13] መፊቦሸት
ከኣ፡ ወርትግ ኣብ መኣዲ ንጉስ ይበልዕ ነበረ እሞ፡ ኣብ የሩሳሌም ይቕመጥ ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ክልቲኡ
እግሩ ሓንካስ ነበረ።

# ምዕራፍ 10

[1] ድሕርዚ ድማ ኾነ፡ ንጉስ ደቂ ዓሞን ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ሓኑን ነገሰ። [2] ዳዊት ድማ፡ ንሓኑን
ወዲ ናሓሽ ከምቲ ኣቦኡ ንኣይ ምሕረት ዝገበረለይ፡ ንእኡ ምሕረት ክገብር እየ፡ በለ። ዳዊት ከኣ ብዛዕባ
ኣቦኡ ብገላውኡ ገይሩ ኼጸናንዖ ልኡኻት ሰደደሉ። እቶም ገላዉ ዳዊት ከኣ ናብ ደቂ ዓሞን ኣተዉ። [3]
እቶም መሳፍንቲ ደቂ ዓሞን ግና ንጐይታኦም ሓኑን፡ ዳዊት ነቦኻ ኣኽቢሩዶ መጸናናዕቲ ዝሰደደልካ
ይመስለካ ኣሎ፡ ዳዊትሲ ነዛ ኸተማ ኺምርምራን ኪስልያን ኬጥፍኣን ደይኰነን ገላዉኡ ሰዲዱልካ ዘሎ፡
በልዎ። [4] ሽዑ ሓኑን ንገላዉ ዳዊት ወሲዱ፡ ፈፈረቓ ጭሕሞም ድማ ላጽዩ፡ ፈረቓ ኽዳውንቶም ከኣ
ከከሳዕ መዓኰሮም ቈሪጹ ሰደዶም። [5] እዚ ንዳዊት ምስ ነገርዎ ድማ፡ እቶም ሰባት እምብዛ ሐፊሮም
ነበሩ እሞ፡ ኪቕበልዎ ልኡኻት ሰደደሎም። ንጉስ ከኣ፡ እቲ ጭሕምኹም ክሳዕ ዚበቍል ኣብ ያሪኮ
ጸኒሕኩምሲ ተመለሱ፡ በሎም። [6] ደቂ ዓሞን ድማ ኣብ ዳዊት ከም እተጸልኡ ምስ ረኣዩ፡ እቶም ደቂ
ዓሞን ልኢኾም ካብ ናይ ቤት ራሖብ ሶርያውያንን ካብ ናይ ጾባ ሶርያውያንን ዕስራ ሽሕ እግረኛ፡ ካብ
ንጉስ መዓካውን ሽሕ፡ ካብ ሰብ ጦብ ከኣ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ሰብኣይ ተኻረዩ። [7] ዳዊት ድማ እዚ ምስ
ሰምዔ፡ ንዮኣስ ነቶም ጀጋኑ ዘበሉ ሰራዊት ኣትሒዙ ሰደዶ። [8] ደቂ ዓሞን ከኣ ወጺኦም ኣብቲ ኣፍ ደገ
ንውግእ ተሰለፉ፡ እቶም ሶርያውያን ናይ ጾባን ሬሖብን ሰብ ጦብን መዓካን ድማ ንበይኖም ኣብ መሮር
ነበሩ። [9] ሽዑ ዮኣብ ብቕድሚኡን ብድሕሪኡን ውግእ ከም ዝኾኖ፡ ምስ ረአየ፡ ካብ ኲሎም ሕሩያት
እስራኤል ሐርዩ፡ ኣብ ቅድሚ ሶርያውያን ኣሰለፎም። [10] እቲ ዝተረፈ ህዝቢ ኸኣ ኣብ ኢድ ኣቢሳይ ሓዉ
ነበሮ፡ ንደቂ ዓሞን ኪቃባበል ድማ ኣሰለፎ። [11] በለ ድማ፡ ሶርያውያን ካባይ እንተ ሐየሉ፡ ንስኻ ርድኣኒ፡
ደቂ ዓሞን ካባኻ እንተ ሓየሉ ግና፡ ኣነ ኽረድኣካ እየ። [12] ጽናዕ፡ ምእንቲ ህዝብናን ምእንቲ ኸተማታት
ኣምላኽናን ኢልና ድማ ንጽናዕ፡ እግዚኣብሄር ከኣ እቲ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእዮ ይግበር። [13] ዮኣብን እቲ
ምስኡ ዝነበረ ህዝብን ድማ ንሶርያውያን ኪዋግእዎም ቀረቡ፡ ንሳቶም ከኣ ካብ ቅድሚኡ ሀደሙ። [14]
እቶም ደቂ ዓሞን ድማ ሶርያውያን ከም ዝሀደሙ ምስ ረአዩ፡ ንሳቶም ከኣ፡ ካብ ቅድሚ ኣቢሳይ
ሀዲሞም ናብታ ኸተማ ኣተዉ። ሽዑ ዮኣብ ካብ ደቂ ዓሞን ተመሊሱ ናብ የሩሳውሌም ኣተወ። [15]
ሶርያውያን ከኣ ኣብ ቅድሚ እስራኤል ከም እተሳዕሩ ምስ ረአዩ፡ ብሓደ ተኣከቡ። [16] ሃዳድዔዘር ድማ
ልኢኹ ነቶም ኣብ ስግር ርባ ዝነበሩ ሶርያውያን ኣውጽኦም እሞ፡ ሾባኽ እቲ ናይ ሃዳድዔዘር ሓለቓ
ሰራዊት መሪሕዎም ናብ ሔላም መጹ። [17] እዚ ንዳዊት ምስ ነገርዎ ኸኣ፡ ንብዘሎ እስራኤል ኣኸተተ፡
ዮርዳኖስ ተሳጊሩውን፡ ናብ ሔላም መጸ፡ ሶርያውያን ድማ ንዳዊት ኪቃባበልዎ ተሰለፉ፡ ምስኡ ኸኣ

ተዋግኡ። [18] እቶም ሶርያውያን ድማ ካብ ቅድሚ እስራኤል ሀደሙ። ዳዊት ከኣ ካብ ሶርያውያን ሾብዓተ
ሚእቲ ሰብ ሰረገላን ኣርብዓ ሽሕ ፈረሰኛን ቀተለ፡ ንሾባኽ ሓለቓ ሰራዊቶም ድማ ቀተሎ እሞ፡ ኣብኡ
ሞተ። [19] እቶም ንሃዳድዔዘር ዚግዝኡ ዝነበሩ ዅሎም ነገስታት ድማ ኣብ ቅድሚ እስራኤል ከም
እተሳዕሩ ምስ ረአዩ፡ ምስ እስራኤል ተዐረቑም ተገዝኡ። እቶም ሶርያውያን ከኣ ድሕርዚ ንምርዳእ ደቂ
ዓሞን ፈርሁ።

# ምዕራፍ 11

[1] ኰነ ድማ፡ ንዓመታኡ፡ በቲ ነገስታት ንውግእ ዚወጹሉ ጊዜ፡ ዳዊት ንዮኣብ ምስኡ ኸኣ ንገላዉኡን
ንብዘሎ እስራኤልን ሰደዶ። ንደቂ ዓሞን ኣጥፊኦም ድማ ንራባ ከበብዋ። ዳዊት ግና ኣብ የሩሳሌም ተሪፉ
ነበረ። [2] ኰነ ኸኣ፡ ኣጋ ምሸት ዳዊት ካብ ምድቃሱ ተንሲኡ ኣብ ናሕሲ ቤት ንጉስ ኪማላለስ ከሎ፡ ሓንቲ
ሰበይቲ ማይ ክትሕጸብ ከላ፡ ኣብቲ ናሕሲ ኾይኑ ረኣያ፡ እታ ሰበይቲ ኸኣ ትርኢታ ብዙሕ ጽቡቕ
ነበረ። [3] ዳዊት ድማ ልኢኹ ብዛዕባ እታ ሰበይቲ ሐተተ፡ እዚኣስ ባትሴባ ጓል ኤሊዓም፡ ሰበይቲ ኡርያ
ሔታዊ ደይኰነትን፡ ከኣ በልዎ። [4] ዳዊት ድማ ልኡኻት ሰዲዱ ወሰዳ፡ ናብኡ ኸኣ ኣተወት፡ ጽጌኣ
ተሓጺባ ነበረት እሞ፡ ምስኣ ደቀሰ፡ ናብ ቤታ ድማ ተመልሰት። [5] እታ ሰበይቲ ኸኣ ጠነሰት እሞ፡ ናብ
ዳዊት ልኢኻ ድማ፡ ኣነ ጠኒሰ እየ፡ ኢላ ነገረቶ። [6] ሽዑ ዳዊት ናብ ዮኣብ፡ ንኡርያ ሔታዊ ስደደለይ፡ ኢሉ
ለኣኸሉ። ዮኣብ ከኣ ንኡርያ ናብ ዳዊት ሰደዶ። [7] ኡርያ ናብኡ ምስ መጸ ድማ፡ ዳዊት ብዛዕባ ደሓን
ዮኣብን ህዝብን እቲ ሰልፍን ሐተተ። [8] ዳዊት ከኣ ንኡርያ፡ ናብ ቤትካ ውረድ፡ ኣእጋርካውን ተሐጸብ፡
በሎ። ኡርያ ድማ ካብ ቤት ንጉስ ወጸ፡ ካብ ብልዒ ንጉስ ከኣ ደድሕሪኡ ሰዐቦ። [9] ኡርያ ግና ምስ ኵሎም
ገላዉ ጐይታኡ ኣብ ኣፍ ቤት ንጉስ ደቀሰ እምበር፡ ናብ ቤቱስ ኣይወረደን። [10] ንዳዊት፡ ኡርያስ ናብ
ቤቱ፡ ኣይወረደን፡ ኢሎም ምስ ነገርዎ ድማ፡ ዳዊት ንኡርያ፡ ንስኻ ኻብ መገዲ መጺእካ ደይኰንካን፡
ስለምንታይከ ናብ ቤትካ ዘይወረድካ፡ በሎ። [11] ኡርያ ኸኣ ንዳዊት፡ ታቦትን እስራኤልን ይሁዳን ኣብ
ጐጆታት ይነብሩ ኣለዉ፡ ጐይታይ ዮኣብን ገላዉ ገይታይን ከኣ ኣብ ጻሕጻሕታ መሮር ሰፈሮም ኣለዉ፡
ኣነዶ ኸብልዕን ክሰትን ምስ ሰበይተይ ክድቅስን ኢለ ናብ ቤተይ ክኣቱ፡ ህያው ከም ዝኾንካ፡ ነፍስኻ
ድማ ህያው ከም ዝኾነት፡ እዚ ነገር እዝስ ኣይገብሮን እየ። በሎ። [12] ዳዊት ከኣ ንኡርያ፡ ሎሚውን
ኣብዚ ጽናሕ፡ ጽባሕ ድማ ክሰደካ እየ፡ በሎ። ኡርያ ኸኣ በታ መዓልቲ እቲኣን ንጽብሒታን ኣብ
የሩሳሌም ተቐመጠ። [13] ዳዊት ምስ ጸውዖ ድማ፡ ኣብ ቅድሚኡ በልዔን ሰተየን፡ ኣስከሮውን። ንምሸቱ
ድማ ምስቶም ገላዉ ጐይታኡ ኣብ መደቀሲኡ ኺድቅስ ወጸ፡ ናብ ቤት ግና ኣይወረደን። [14] ኰነ ድማ፡
ንጽብሒቱ ንግሆ ዳዊት ንዮኣብ ደብዳበ ጽሒፉ፡ ብኢድ ኡርያ ሰደደሉ። [15] ኣብታ ደብዳበ ኸኣ፡ ንኡርያ
ናብ መንጽር እቲ ብርቱዕ ውግእ ኣእትዎ እሞ ተወጊኡ ምእንቲ ኺመውትሲ፡ ካብ ድሕሪኡ ተመለሱ፡
ኢሉ ጸሐፈ። [16] ኰነ ድማ፡ ዮኣብ ነታ ኸተማ ምስ ከበባ፡ ንኡርያ ናብታ ጀጋኑ ሰባት ከም ዘለውዋ
ዝፈለጣ ቦታ ገበሮ፡ [17] ሰብ እታ ኸተማ ኸኣ ወጺኦም ንዮኣብ ተዋግእዎ። ካብቲ ህዝቢ፡ ካብ ገላዉ
ዳዊት ገለ ወደቑ፡ ኡርያ ሔታዊውን ሞተ። [18] ሽዑ ዮኣብ ልኢኹ ብዛዕባ እቲ ናይ ውግእ ነገር ኵሉ
ንዳዊት ነገሮ። [19] ነቲ ልኡኽ ድማ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞ፡ እቲ ናይ ውግእ ነገር ኵሉ ንንጉስ ተዛሪብካ ምስ
ወዳእካ፡ [20] ሽዑ ኪኸውን እዩ፡ ንጉስ ኲርዩ እንተ በለካ፡ ስለምንታይከ ኸትዋግኡ ኢልኩም ናብታ
ኸተማ ቐረብኩም፡ ካብ ልዕሊ እቲ መንደቕ ከም ዚውርወሩዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ [21] እቲ ኣብ ቴቤጽ
ዝሞተ ኣቢሜለክ ወዲ የሩበሼት መን እዩ ዝቐተሎ፡ ሰበይቲ ደይኰነትን ካብ ልዕሊ መንደቕ መዲድ

ዝደርበየትሉ፡ ስለምንታይ ናብ መንደቕ ቀረብኩም፡ ሽዑ ንስኻ ድማ፡ ጊልያኻ ኡርያ እቲ ሔታዊ ኸኣ
ሞይቱ፡ በሎ። 22 እቲ ልኡኽ ድማ ከደ፡ መጺኡ ኸኣ እቲ ዮኣብ ዝለአኾ ዅሉ ንዳዊት ነገሮ። 23 እቲ
ልኡኽ ድማ ንዳዊት፡ እቶም ሰባት በርቲያምናስ ናባና ናብ መሮር ወጹ፡ ንሕና ኸኣ ክሳዕ እቲ ኣፍ ደገ
ደፋእናዮም። 24 እቶም ወርወርቲ ድማ ንገላዉኻ ኻብ ልዕሊ መንደቕ ወርወሩሎም፡ ካብቶም ገላዉ
ንጉስ ከኣ ሞቱ፡ ጊልያኻ ኡርያ፡ እቲ ሔታዊ፡ ድማ ሞይቱ፡ በሎ። 25 ሽዑ ዳዊት ነቲ ልኡኽ፡ ንዮኣብ
ከምዚ በሎ፡ ሴፍ ሓንሳእ ነዚ ሓንሳእ ከኣ ነቲ እዩ ዚውድእ እሞ፡ እዚ ነገር እዚ ኽፉእ ኰይኑ ኣይርኤኻ፡
ነታ ኸተማ ኣጽኒዕካ ተዋግኣያን ኣፍርሳን። ንስኻውን ኣጽንዓዮ፡ በሎ። 26 ሰበይቲ ኡርያ ኸኣ፡ ኡርያ
ሰብኣያ ኸም ዝሞተ ምስ ሰምዔት፡ ንሰብኣያ በኸየትሉ። 27 ሓዘና ምስ ሐለፈ ድማ፡ ዳዊት ልኡኹ ናብ
ቤቱ ወሰዳ። ሰበይቱ ኸኣ ኰነት፡ ወዲ ድማ ወለደትሉ። እዚ ዳዊት ዝገበሮ ነገር ግና ኣብ እግዚኣብሄር
ክፉእ ኰይኑ ተራእየ።

# ምዕራፍ 12

1 እግዚኣብሄር ድማ ንናታን ናብ ዳዊት ለአኾ። ንሱ ኸኣ ናብኡ ኣትዩ በሎ፡ ኣብ ሓንቲ ኸተማ ኽልተ
ሰብኣይ ነበሩ፡ እቲ ሓደ ሃብታም፡ እቲ ሓደ ድማ ድኻ። 2 እቲ ሃብታም ኣዝየን ብዙሓት ኣባጊዕን ኣሓን
ነበራኦ። 3 እቲ ድኻ ግና፡ ብጀካ ዝዐደጋ ሓንቲ ንእሽቶ ሸበን፡ ገለ እኳ ኣይነበራኦን። ንሱ ኣዕበያ፡ ምስኡን
ምስ ደቁን ከኣ ብሓደ ዐበየት፡ ካብ ቊራሱ ትበልዕ፡ ካብ ዋንጫኡውን ትሰቲ፡ ኣብ ሕቝፉ ድማ
ትድቅስ፡ ንእኡ ኸም ጓሉ ነበረት። 4 እቲ ሃብታም ሰብኣይ፡ በዓል መገዲ ምስ መጾ ኸኣ፡ ነቲ ዝመጾ በዓል
መገዲ ኻብተን ኣባጊዑን ካብተን ኣሓኡን ወሲዱ ኸየዳልወሉስ፡ በቐቐን፡ ነታ ሸበን እቲ ድኻ ወሲዱ ግና
ነቲ ዝኣተዎ ሰብኣይ ኣዳለወሉ። 5 ሽዑ ዅራ ዳዊት ኣብቲ ሰብኣይ ኣዝዩ ነደደ፡ ንናታን ከኣ፡ እቲ እዚ
ዝገበረ ሰብኣይ ወዲ ሞት ከም ዝዀነ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ 6 እዚ ነገር እዚ ስለ ዝገበረን፡
ድንጋጽዉን ስለ ዘይገበሮን፡ ኣብ ክንዲ እታ ሸበን ኣርባዕተ ገይሩ ይኽሐስ፡ በሎ። 7 ሽዑ ናታን ንዳዊት
በሎ፡ እቲ ሰብኣይ እቲ ንስኻ ኢኻ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ንጉስ ክትከውን ኣነ ቐባእኩኻ፡ ካብ ኢድ ሳኦልውን ኣድሓንኩኻ። 8 ቤት ጐይታኻ ድማ
ሀብኩኻ፡ ኣነስቲ ጐይታኻውን ኣብ ሕቝፍኻ ኣንበርኩልካ፡ ቤት እስራኤልን ይሁዳን ድማ ሀብኩኻ።
እዚ እንተ ውሒዱ ኸኣ፡ ከምኡ ኻልእ ምወሰኽኩልካ ነይረ። 9 ስለምንታይ ኢኻ እቲ ኣብ እግዚኣብሄር
ክፉእ ኰይኑ እተራእየ ኽትገብርሲ፡ ቃሉ ዝነዐቕካ፡ ንኡርያ ሔታዊ ብሴፍ ቀቲልካስ፡ ንሰበይቱ
ሰበይትኻ ኽትከውን ወሰድካያ። ንእኡ ግና ብሴፍ ደቂ ዓሞን ቀተልካዮ። 10 እምበአርስኸ ስለ ዝነዐቕካኒ፡
ንሰበይቲ ኡርያ ሔታዊ ድማ ሰበይትኻ ኽትከውን ስለ ዝወሰድካያ፡ ሴፍ ካብ ቤትካ ንዘለኣለም
ኣየግልስን። 11 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ ካብ ቤትካ ኽፉእ ከተንስኣልካ እየ፡ ነንስትኻ ኣብ
ቅድሜኻ ወሲደ ንብጻይካ ኽህቦ እየ፡ ንሱ ኸኣ ምስተን ኣንስትኻ፡ ኣብ ቅድሚ እዛ ጸሓይ እዚኣ ኺድቅስ
እዩ። 12 ንስኻ ብስዉር ጌርካዮ ኢኻ እሞ፡ ኣነ ግና ነዚ ነገር እዚ ኣብ ቅድሚ ብዘሎ እስራኤልን ኣብ
ቅድሚ ጸሓይን ክገብሮ እየ። 13 ሽዑ ዳዊት ንናታን፡ ንእግዚኣብሄር በደልኩ፡ በሎ። ናታን ድማ ንዳዊት፡
እግዚኣብሄር ከኣ በደልካ ኣርሒቑልካ እዩ፡ ኣይትመውትን ኢኻ። 14 ግናኸ በዚ ነገር እዚ ንጸላእቲ
እግዚኣብሄር ኣዚኻ መላገጺ ስለ ዝሀብካዮም፡ እቲ ተወሊዱልካ ዘሎ ወዲ ርግጽ ኪመውት እዩ፡ በሎ።
15 ናታን ከኣ ናብ ቤቱ ኸደ። ነቲ ሰበይቲ ኡርያ ንዳዊት ዝወለደትሉ ቈልዓ ድማ እግዚኣብሄር ወቕዖ እሞ
ኣዝዩ ተወጽዔ። 16 ሽዑ ዳዊት ምእንቲ እቲ ቈልዓ ናብ ኣምላኽ ጸለየ፡ ዳዊት ከኣ ጾም ጾመ፡ ኣትዩ ድማ

ኣብ ምድሪ በጥ ኢሉ ሐደረ። 17 እቶም ዓበይቲ ቤቱ ኸኣ ካብ ምድሪ ኼተንስእዎ ኢሎም ቈሙ። ንሱ
ግና ኣይፈተወን፡ እንጌራውን ምሳታቶም ኣይበልዔን። 18 ኰነ ድማ፡ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ እቲ ሕጻን
ሞተ፡ እቶም ገላዉ ዳዊት ከኣ፡ እንሆ፡ እቲ ሕጻን ብህይወቱ ኸሎ ተዛሪብካዮ እኳ ቓልና ዘይሰምዔስ፡
ከመይ ኢልና ደኣ፡ እቲ ሕጻን ሞይቱ፡ ክንብሎ ኢና፧ ገለ ኽፋእ ከይገብር ኢሎም እቲ ሕጻን ከም ዝሞተ
ኺይነግርዎ ፈርሁ። 19 ዳዊት ግና እቶም ገላዉኡ ኣሕድሕዶም ሕሹኽሹኹ ኪብሉ ምስ ረአየ፡ እቲ ሕጻን
ከም ዝሞተ ኣስተውዐለ። ዳዊት ከኣ ነቶም ገላዉኡ፡ እቲ ሕጻንዶ ሞይቱ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ ሞይቱ፡
በሉ። 20 ሽዑ ዳዊት ካብ ምድሪ ተንሲኡ፡ ተሐጺቡን ተለኺዩን፡ ክዳውንቱ ድማ ለወጠ፡ ናብ ቤት
እግዚኣብሄር ኣትዩ ኸኣ ሰገደ። ናብ ቤቱ መጺኡውን ዚብላዕ ደለየ፡ እንጌራ ድማ ኣቕረቡሉ እሞ በልዔ።
21 ሽዑ እቶም ገላዉኡ፡ እዚ እትገብሮ ዘሎኻ ነገር እንታይ እዩ፧ እቲ ሕጻን ብህይወቱ ኸሎ ምእንታኡ
ጾምካን በኼኻን፡ እቲ ሕጻን ምስ ሞተ ግና፡ ንሲኻ እንጌራ በላዕካ፡ በልዎ። 22 ንሱ ኸኣ፡ መን ይፈልጥ
እግዚኣብሄር እንተ መሓረኒ፡ እቲ ሕጻን ድማ እንተ ሐወየ፡ ኢለ ነበርኩ እሞ፡ ስለዚ እቲ ሕጻን ገና
ብህይወቱ ኸሎ፡ ጾምኩን በኼኹን። 23 ሕጂ ኸኣ ንሱ ሞይቱ፡ ንምንታይ ኢለ እጸውም፧ ደጊምዶ
ኽምልሶ ይከኣለኒ እዩ፧ ኣነ ናብኡ እኸይድ እምበር፡ ንሱስ ናባይ ኣይኪምለስን እዩ፡ በለ። 24 ዳዊት ድማ
ንሰበይቱ ባትሼባ እጸናንዓ፡ ናብኣ ኣትዩ ኸኣ ምስኣ ደቀሰ፡ ወዲ ድማ ወለደትሉ፡ ስሙ ኸኣ ሰሎሞን
ኢሉ ሰመዮ፡ እግዚኣብሄር ድማ ፈተዎ። 25 ብነብዩ ናታን ልኢኹ ኸኣ ምእንቲ እግዚኣብሄር ኢሉ ስሙ
የዲድያ ሰመዮ። 26 ዮኣብ ድማ ንራባ ናይ ደቂ ዓሞን፡ ተዋግኣ፡ ነታ ከተማ ንጉስ ከኣ ወሰዳ። 27 ዮኣብ
ድማ ናብ ዳዊት ልኡኽ ሰዲዱ፡ ንራባ ተዋጊኤያ፡ ነታ ኸተማ ማይውን ሒዘያ። 28 ሕጂ ኸኣ፡ ነዛ ኸተማ
ኣነ ምእንቲ ኸይሕዛ እሞ፡ ስመይ ኣብኣ ኸይጽዋዕሲ፡ ነቲ ዝተረፈ ህዝቢ ኣኪብካ ነዛ ኸተማ ኽበባ፡ ሓዛ
ድማ፡ በሎ። 29 ዳዊት ከኣ ንብዘሎ ህዝቢ ኣኼቲቱ ናብ ራባ ገስገሰ እሞ፡ ተዋጊኡ ሓዛ። 30 ንዘውዲ
ንጉሶም ከኣ ካብ ርእሱ ወሰዶ፡ ሚዛኑ ድማ ሓደ መኽሊት ወርቂ ነበረ፡ ክቡር ኣዕናቝ ከኣ ነበሮ፡ ኣብ
ርእሲ ዳዊት ድማ ገበርዎ። ካብታ ኸተማ ኸኣ ኣዝዩ ብዙሕ ምርኮ ኣውጽኤ። 31 ነቶም ኣብ ውሽጣ
ዝነበሩ ህዝቢውን ኣውጺኡ ኣብ ትሕቲ መጋዛትን ሰረገላታት ሓጺንን ምሳውርቲ ሓጺንን ገበሮም፡ ናብ
ናይ ጡብ እቶን ከኣ ኣሕለፎም። ንኹለን ከተማታት ደቂ ዓሞን ድማ ከማኡ ገበረ። ድሕርዚ ዳዊትን
ብዘሎ እቲ ህዝብን ናብ የሩሳሌም ተመልሱ።

# ምዕራፍ 13

1 ድሕርዚ ኸኣ ኰነ፡ ንኣቤሴሎም ወዲ ዳዊት ታማር ዝስማ መልክዔኛ ሓብቲ ነበረቶ፡ ኣምኖን ወዲ
ዳዊት ከኣ ኣፍቀራ። 2 ንሳ ድንግል ነበረት እሞ፡ ኣምኖን ገለ ኺገብራ ኽም ዘይከኣሎ፡ ስለ እተራእዮ፡
ኣምኖን ብምኽንያት ሓብቱ ታማር ክሳዕ ዚሐምም ሓሳቡ ኣዕገርገሮ። 3 ኣምኖን ድማ ዮናዳብ ዝስሙ፡
ወዲ ሺምዓ ሓው ዳዊት፡ ፈታዊ ነበሮ። ዮናዳብ ከኣ ኣዝዩ ብልሂ ሰብኣይ ነበረ። 4 ንሱ ድማ፡ ኣታ ወዲ
ንጉስ፡ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ኽምዚ እትዐብር፡ እንታይ ኴንካ ኢኻ፧ ኣይትነግረንንዶ፧ በሎ። ኣምኖን
ከኣ፡ ኣነስ ብፍቕሪ ታማር ሓብቲ ሓወይ ኣቤሴሎም እየ፡ በሎ። 5 ዮናዳብ ድማ በሎ፡ ሓሚመ ኢልካ ኣብ
ዓራትካ ደቅስ፡ ኣቦኻ ኺርእየካ ኢሉ ምስ መጸ ኸኣ፡ በጃኻ፡ ሓብተይ ታማር እንጌራ ኽትህበኒ ትምጻእ፡
ነቲ ብልዒ ድማ፡ ምእንቲ ኽርእዮስ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ተዳልዎ፡ ብኢዳ ኸኣ ከተብልዓኒ፡ በሎ። 6
ኣምኖን ድማ ሐሚመ ኢሉ ደቀሰ። ንጉስ ንኣምኖን ኪርእዮ ኢሉ ምስ መጸ ኸኣ፡ ኣምኖን ንንጉስ፡ በጃኻ፡
ታማር ሓብተይ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ክልተ ቕቻ ኽትገብረለይ፡ ብኢዳ ድማ ክበልዕሲ ትምጻኣኒ፡ በሎ። 7

ሽዑ ዳዊት ናብ ቤት ናብ ታማር ልኡኽ፡ በጃኺ፡ ናብ ቤት ኣምኖን ሓውኺ ኺዲ እሞ ዚብላዕ ግበርሉ፡
በላ። 8 ታማር ከኣ ናብ ቤት ኣምኖን ሓዋ ኸደት፡ ንሱ ድማ ደቂሱ ነበረ። ንሳ ኸኣ ብሑቝ ወሲዳ
ኣቔምጢዓ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ድማ ቅጫታት ገይራ ነቲ ቕጫታት ኣብሰለቶ። 9 ነቲ መቕሎ ወሲዳ ኸኣ
ናብ ቅድሚኡ ገልበጠቶ።ንሱ ግና ምብላዕ ኣበየ። ኣምኖን ድማ፡ ኵሉ ሰብ ካባይ ኣውጽኡለይ፡ በለ።
ኵሉ ሰብ ከኣ ካብኡ ወጸ። 10 ኣምኖን ድማ ንታማር፡ እቲ ብልዒ ብኢድኪ ኽበልዕሲ፡ ናብ ሕልፍኝ፡
ኣእትውዮ፡ በላ። ታማር ከኣ ነቲ ዝገበረቶ ቕጫ ወሲዳ ናብ ሕልፍኝ፡ ናብ ሓዋ ኣምኖን ኣእተወቶ። 11
ኪበልዕ ምስ ቀረበትሉ ድማ ቀጥ ኣቢሉ ሒዙ፡ ሓብተይ፡ ንዒ ምሳይ ደቅሲ፡ በላ። 12 ንሳ ኸኣ፡
ኣይፋልካን ሓወየ፡ ኣይተነውረኒ፡ ከምዚ ዝበለ ኣብ እስራኤል ኣይግበርን እዩ እሞ፡ ነዚ ዕሽነት እዝስ
ኣይትግበሮ። 13 ነዚ ነውረይ ተሰኪመኸ ኣነ ናበይ ክኸይድ እየ፡ ንስኻውን ከም ሓደ ኻብቶም ኣብ
እስራኤል ዘለዉ ዓያሱ ኽትከውን ኢኻ። ሕጂ ኸኣ፡ በጃኻ፡ ንጉስ ንኣይ ኣይኸልኣካን እዩ እሞ፡ ንእኡ
ንገሮ፡ በለቶ። 14 ንሱ ግና ዘረባአ ኺሰምዕ ኣይፈተወን፡ ኻብአ ሐይሉስ ዐመጻ፡ ምስአ ድማ ደቀሰ። 15
ድሕርዚ ኣምኖን ኣዝዩ ብዙሕ ጽልኢ ጸልአ እሞ፡ ካብቲ ዘፍቀራ ፍቕሪ እቲ ዝጸልአ ጽልኢ በዝሔ።
ኣምኖን ድማ፡ ተንስኢ፡ ኪዲ፡ በላ። 16 ንዳ ኸኣ፡ ንኣይ ብምስዳድካ ኻብቲ ቕድም ዝገበርካኒ እዚ ዝገደደ
ኽፉእ እዚ ኣይትግበረኒ፡ በለቶ። ንሱ ግና ኪሰምዓ ኣይፈተወን። 17 ነቲ ዜገልግሎ ጊልያኡ ጸዊዑ ድማ፡
በጃኻ፡ ነዚኣ ኻባይ ንግዳም ኣውጽኣለይ፡ ድሕሪአ ኸኣ ነቲ ማዕጾ ዕጸዎ፡ በሎ። 18 ኣዋልድ ንጉስ ደናግል
ከለዋ ኽምኡ ዝበለ ቐመውሽ ይኸደና ስለ ዝነበራ፡ ንሳ ኸኣ ወለል ዚብል ቀምሽ ተኸዲና ነበረት። ሽዑ
እቲ ጊልያኡ ንግዳም ኣውጽአ፡ ነቲ ማዕጾ ድማ ብድሕሪአ ዐጸዎ። 19 ታማር ድማ ሐመኹስቲ ኣብ ርእሳ
ነስነሰት፡ ነቲ ተኸዲናቶ ዝነበረት ወለል ዚብል ቀምሽ ከኣ ቀደደቶ፡ ክትከይድ ከላ ድማ፡ ኢዳ ኣብ ርእሳ
ገይራ እናአእወየት ከደት። 20 ኣቤሴሎም ሓዋ ኸኣ፡ ኣምኖን ሓውኪዶ ምሳኺ ነይሩ እዩ፡ ሕጂ ግና
ሓብተይ፡ ንሱ ሓውኪ እዩ፡ ስቕ በሊ፡ ነዚ ነገር እዚ ኣብ ልብኺ ኣይትሐዝዮ፡ በላ። ታማር ድማ
ብጕህይታ ኣብ ቤት ኣቤሴሎም ሓዋ ተቐመጠት። 21 ንጉስ ዳዊት ግና፡ እዚ ነገር እዚ ኹሉ ምስ ሰምዔ፡
ኣዝዩ ተናደደ። 22 ኣቤሴሎም ከኣ ኣምኖን ንታማር ሓብቱ ስለ ዝዐመጻ፡ ጸሊእዎ ነበረ እሞ፡ ኣቤሴሎም
ንኣምኖን ጽቡቕ ኰነ ወይ ክፉእ ኣይተዛረቦን። 23 ኰነ ድማ፡ ኣቤሴሎም ድሕሪ ኽልተ ዓመት ኣብ ጥቓ
ኤፍሬም ኣብ ዘላ በዓልሓጾር ቈረጽቲ ኣባጊዕ ነበርዎ። ኣቤሴሎም ከኣ ንዅሎም ደቂ ንጉስ ዐደሞም። 24
ኣቤሴሎም ድማ ናብ ንጉስ መጺኡ፡ በጃኻ፡ ንጉስን ገላዉኡን ምስ ጊልያኻ ይኺዱ፡ በሎ። 25 ንጉስ ከኣ
ንኣቤሴሎም፡ ኣይፋልካን ወደይ፡ ከይንኸብደካ ኹላትናስ ኣይንኸይድን ኢና፡ በሎ። ግዲ ኸኣ በሎ።
ንሱ ግና መረቖ ደአ እምበር፡ ኪኸይድሲ ኣይፈተወን። 26 ሽዑ ኣቤሴሎም፡ እዚ እንተ ዘይኰነስ፡ በጃኻ፡
ኣምኖን ሓወይ ምሳና ይኺድ፡ በሎ። ንጉስ ድማ፡ ስለምንታይ እዩ ምሳኻ ዚኸይድ፡ በሎ። 27 ኣቤሴሎም
ግና ግዲ በሎ፡ ሽዑ ንኣምኖንን ንኹሎም ደቂ ንጉስን ምስኡ ይኺዱ ሐደጎም። 28 ኣቤሴሎም ድማ
ንገላዉኡ፡ ርአዩ፡ ልቢ ኣምኖን ብወይኒ ምስ ተሐጕሰ፡ ሽዑ ኣስተብህሉ፡ ኣነ ንኣምኖን ቅተልዎ፡ ምስ
በልኩኹም ከኣ፡ ኣይትፍርሁ፡ ቅተልዎ፡ ኣነ ደይኰንኩን ዝእዝዘኩም ዘሎኹ፡ ጽንዑ፡ ሓያላት ድማ
ኹኑ፡ በሎም። 29 ገላዉ ኣቤሴሎም ዝኣዘዞም ገበርዎ። ሽዑ እቶም ደቂ ንጉስ ኲሎም ተንሲኦም፡ ነፍሲ
ወከፍ በበቕሎም ሰሪሮም ሀደሙ። 30 ኰነ ኸኣ፡ ገና ኣብ መገዲ ኸለዉ፡ ንዳዊት፡ ኣቤሴሎም ንኹሎም
ደቂ ንጉስ ሓደ እኳ ኸይተረፈ ቐቲልዎም፡ ዚብል ወረ መጸ። 31 ሽዑ ንጉስ ተንሲኡ ኽዳኑ ቐደደ፡ ኣብ
ምድሪ ድማ ወደቐ። ኲሎም ገላዉኡ ኸኣ ክዳውንቶም ቀዲዶም ምስኡ ደው በሉ። 32 ዮናዳብ፡ ወዲ
ሺምዓ ሓው ዳዊት፡ ግና ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ እዝስ ካብታ ኣምኖን ንሓብቱ ታማር ዝዐመጻላ መዓልቲ
ጀሚሩ ብአፍ ኣቤሴሎም ተመዲቡ ዝነበረ እዩ እሞ፡ ኣምኖን ጥራይ እዩ ዝሞተ እምበር፡ ኲሎም እቶም

ኣጒባዝ ደቂ ንጉስ ከም ዝሞቱስ፡ ጐይታይ ኣይበል። [33] እምበኣርሲ ሕጂ ጐይታይ ንጉስ፡ ኣምኖን ጥራይ
እዩ ዝሞተ እምበር፡ ኲሎም ደቂ ንጉስ ሞይቶም ኢሉ፡ ነዚ ነገር ኣዚ ኣብ ልቡ ኣየንብሮ፡ በሎ። [34]
ኣቤሴሎም ግና ሃደመ። እቲ ዚጥምቶ ዝነበረ ጒበዝ ኣዒንቱ ቛሕ እንተበለ ድማ፡ እንሆ፡ በታ ብድሕሪኡ
ብሸነኽ ከረን ዘላ መገዲ ኣቢሉ ብዙሕ ህዝቢ ኺመጽእ ረአየ። [35] ዮናዳብ ከኣ ንንጉስ፡ ደቂ ንጉስኪ
እነዉ፡ ይመጹ ኣለዉ፡ ከምቲ ጊልያኻ ዝበሎ፡ ከምኡ ኾነ፡ በሎ። [36] ኰነ ድማ፡ ዘረባኡ ምስ ወድኤ፡
እነዉ እቶም ደቂ ንጉስ ኣተዉ፡ ቃሎም ዓው ኣቢሎም ከኣ በኸዩ። ንጉስን ኲሎም ገላዉኡን ድማ ኣዝዩ
ብርቱዕ ብኽያት በኸዩ። [37] ኣቤሴሎም ግና ሀዲሙ ናብ ታልማይ፡ ወዲ ዓሚሑር ንጉስ ጌሹር፡ ከደ።
ዳዊት ከኣ ንወዱ ኹሉ መዓልቲ ይሐዝነሉ ነበረ። [38] ኣቤሴሎም ከኣ ሀዲሙ ናብ ጌሹር ከደ፡ ኣብኡ ኸኣ
ስለስተ ዓመት ነበረ። [39] ንጉስ ዳዊት ድማ ብዛዕባ ሞት ኣምኖን ስለ እተደበሰ፡ ናብ ኣቤሴሎም ምውጻእ
ሐደጎ።

# ምዕራፍ 14

[1] ዮኣብ ወዲ ጽሩያ ድማ ልቢ ንጉስ ናብ ኣቤሴሎም ኣቢሉ ኸም ዝዘንበለ ፈለጠ። [2] ዮኣብ ከኣ ናብ
ተቆዓ ልኢኹ ኻብኣ ብልሂ ሰበይቲ ወሰደ እሞ፡ በጃኺ፡ ሕዘኒ፡ ክዳን ሓዘንውን ተኸደኒ፡ በጃኺ፡ ዘይቲ
ድማ ኣይትለኸዩ፡ ብምዉት ነዊሕ ዘበን ከም ዝሐዘነት ሰበይቲ ደኣ ኹኒ። [3] ናብ ንጉስ ኣቲኺ ኸአ ከምዚ
ዝበለ ነገር ተዛረብዮ፡ ኢሉ ዮኣብ ነቲ ዘረባ ኣብ ኣፋ ኣንበሮ። [4] እታ ተቆዓዊት ሰበይቲ ድማ ንንጉስ
ተዛረበቶ፡ ብገጻ ናብ ምድሪ ተደፊአ ኸኣ ፍግም በለት፡ ዎ ንጉስ፡ ርድኣኒ፡ ድማ በለቶ። [5] ንጉስ ከኣ፡
እንታይ ኴንኪ ኢኺ፡ በላ። ንሳ ድማ በለት፡ ብሓቂ ኣነ ሰብኣየይ ዝሞተኒ መበለት ሰበይቲ እየ። [6]
ገረድካ ኸኣ ክልተ ወዲ ነበሩኒ፡ ንሳቶም ኣብ ማእከሎም ኰይኑ ዚፈላልዮም ኣብ ዜብሉ መሮር ተበኣሱ
እሞ፡ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ወቒዑ ቐተሎ። [7] እንሆ ኸኣ፡ ንገረድካ ብዘለዉ ዓሌቱ ተንሲኦም፡ ነዚ ቐታል
ሓዉ፡ ምእንቲ እታ ዝቐተላ ነፍሲ ሓዉ ኽንቀትሎ፡ ነቲ ወራስስ ከነጥፍኦ ሀብና፡ ይብሉ ኣለዉ። ከምኡ
ነቲ ተሪፉኒ ዘሎ እያድ የጥፍኡ፡ ንሰብኣየይ ከኣ ስም ኰነ ተረፍ ኰነ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኣይሐድጉሉን። [8]
ሽዑ ንጉስ ነታ ሰበይቲ፡ ንቤትኪ ኺዲ፡ ኣነ ድማ ብዛዕባኺ ኽእዝዝ እየ፡ በላ። [9] እታ ተቆዓዊት ሰበይቲ
ኸኣ ንንጉስ፡ ጐይታይ ንጉስ፡ እቲ ኣበሳ ኣብ ልዕለይን ኣብ ልዕሊ ቤት ኣቦይን ይኹን፡ ንጉስ ምስ ዝፋኑ
ግና ንጹህ ይኹን፡ በለቶ። [10] ንጉስ ድማ፡ ነዚ ዚዛረበኪ ናባይ ኣምጽእዮ፡ መሉሱ ኸኣ ኣይትንክየክን እዩ፡
በላ። [11] ንሳ ድማ፡ በጃኻ፡ እቲ ፈዳይ ደም ምጥፋእ ከየብዝሕ እሞ ንወደይ ከይቀትሎስ፡ ንጉስ
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ይዘክር፡ በለቶ። ንሱ ድማ፡ ካብ ወድኺ ሓንቲ ጸጒሪ እኳ ኣብ ምድሪ ኸም
ዘይትወድቕ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ በላ። [12] ሽዑ እታ ሰበይቲ፡ በጃኻ፡ ገረድካ ንጐይታይ ንጉስ ሓደ
ነገር ትዛረቦ፡ በለት። ንሱ ኸኣ፡ ተዛረቢ፡ በለ። [13] እታ ሰበይቲ ድማ በለት፡ ስለምንታይከ ንህዝቢ
ኣምላኽ ከምዚ ሐሰብካሉ፡ ንጉስ ነቲ ኻብኡ እተሰጐ ኸይመልሶስ፡ እዚ ነገር እዚ ብምዝራቡ ንጉስ ከም
በዳሊ እዩ። [14] ግዲ ኽንመውት ኢና እሞ፡ ከምቲ ኣብ ምድሪ ዝፈሰሰ ዘይሕፈስ ማይ ኢና። ኣምላኽ ድማ
ንነፍሲ ኣይወስድን፡ ግናኸ እቲ እተሰጐ ኻብኡ ኸይድርበ ኣጸቢቑ ይሐስብ እዩ። [15] ሕጂ ኸኣ እቲ ህዝቢ
ስለ ዘፍርሃኒ እየ፡ እዚ ነገር እዚ ንጐይታይ ንጉስ ክዛረብ ኢለ ዝመጻእኩ። ገረድካ ኸኣ፡ ንንጉስ ደአ
ኽዛረቦ፡ ንጉስ ምናልሽ ዘረባ ገረዱ ይገብሮ ይኸውን፡ በለት። [16] ካብ ኢድ እቲ ንኣይን ንወደይን ካብ
ርስቲ ኣምላኽ ኬጥፍኣኒ ዚደሊ ዘሎ ሰብኣይ ከኣ ንጉስ ንገረዱ ንምድሓን ኪሰምዕ እዩ። [17] ገረድካ ድማ
ጐይታይ ንጉስ ጽቡቕን ክፉእን ንምስማዕ ከም መልኣኽ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ቃል ጐይታይ ንጉስ

ኬዕርፈኒ እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኸኣ ምሳኻ ይኹን፡ በለት። [18] ሽዑ ንጉስ ነታ ሰበይቲ፡ በጃኺ፡
እዚ ኣነ ዝሐተኪ ነገር ኣይትሕብእለይ፡ ኢሉ መለሰላ። እታ ሰበይቲ ኸኣ፡ ጐይታይ ንጉስ ይዛረብ ደኣ፡
በለት። [19] እቲ ንጉስ ድማ፡ በዚ ኹሉስ ኢድ ዮኣብከ ምሳኺዶ የሎን በለ። እታ ሰበይቲ ኸኣ ከምዚ ኢላ
መለሰት፡ ጐይታይ ንጉስ፡ ህይወት ነፍስኻ፡ ጊልያኻ ዮኣብ ንሱ ኣዚዙኒ እዩ፡ እዚ ኹሉ ነገር እዚውን
ንሱ ኣብ ኣፍ ገረድካ ኣንቢርዎ እዩ እሞ፡ ካብቲ ጐይታይ ንጉስ እተዛረቦ ኹሉ ሓደ እኳ ንየማን ኰነ
ንጸጋም ዜብል የልቦን። [20] ገጽ እዚ ነገር እዚ ገበረ። ጐይታይ ከኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዚግበር ዘበለ ንምፍላጥ
ከም ጥበብ መልኣኽ ኣምላኽ ጥበበኛ እዩ። [21] ሽዑ ንጉስ ንዮኣብ፡ እንሆ፡ ሕጂ እዚ ነገር እዚ ገበርኩ፡
ኪድ እሞ ነቲ መንእሰይ፡ ንኣቤሴሎም፡ ምለሶ፡ በሎ። [22] ዮኣብ ድማ ብገጹ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ፍግም
በለ፡ ንንጉስ ከኣ መረቖ፡ ዮኣብ ድማ፡ ጐይታይ ንጉስ፡ ንጉስ ዘረባ ጊልያኡ ብምግባሩ፡ ጊልያኻ ኣብ
ቅድሜኻ ሞገስ ከም ዝረኸበ፡ ሎሚ ፈለጠ፡ በለ። [23] ዮኣብ ከኣ ተንሲኡ ናብ ጌሹር ከደ፡ ንኣቤሴሎም
ድማ ናብ የሩሳሌም ኣምጽኦ። [24] ንጉስ ከኣ፡ ናብ ቤቱ ይኺድ፡ ገጻይ ግና ኣይርኤ፡ በለ። ኣቤሴሎም ከኣ
ናብ ቤቱ ኸደ፡ ገጽ ንጉስ ከኣ ኣይረአየን። [25] ኣብ ብዘሎ እስስራኤል ድማ ከም ኣቤሴሎም ገይሩ
ውቃቤኡ ኣዝዩ እተናእደ ሰብ ኣይነበረን፡ ካብ ከብዲ እግሩ ኽሳዕ መንበስበስታ ርእሱ ገለ እንታ
ኣይነበሮን። [26] እቲ ጸጕሪ ርእሱ ድማ ይኸብዶ ነበረ እሞ፡ ቈረጾ ድማ ነቲ ጸጕሪ ርእሱ መዘኖ፡ ብሚዛን
ንጉስ ከኣ ክልተ ሚእቲ ሲቃል ኰነ። [27] ንኣቤሴሎም ድማ ሰለስተ ወድን ታማር ዝስማ ሓንቲ ጓልን
ተወልዱሉ፡ ንሳ ትርኢታ ውቅብቲ ሰበይቲ ነበረት። [28] ኣቤሴሎም ከኣ፡ ገጽ ንጉስ ከይረአየ፡ ኣብ
የሩሳሌም ክልተ ዓመት ተቐመጠ። [29] ኣቤሴሎም ድማ ናብ ንጉስ ኪሰዶ ደልዩ ንዮኣብ ለኣኸሉ። ንሱ ግና
ናብኡ ኺመጽእ ኣይፈተወን። መሊሱ ድማ ካልኣይ ሳዕ ለኣከሉ፡ ንሱ ግና ኪመጽእ ኣይፈተወን። [30] ሽዑ
ንገላዉኡ፡ ርአዩ፡ ዮኣብ ኣብ ጥቓ እታ ናተይ ግራት ኣላቶ፡ ኣባ ድማ ስገም ኣለዎ እሞ፡ ኬድኩም ሓዊ
ምለሱሉ፡ በሎም። እቶም ገላዉ ኣቤሴሎም ከኣ ነታ ግራት ሓዊ መለሱላ። [31] ሽዑ ዮኣብ ተንሲኡ
ንኣቤሴሎም ናብ ቤቱ መጾ እሞ፡ እዞም ገላዉኻ ንግራተይ ሓዊ ዝመለሱላ ስለምንታይ እዩ፡ በሎ። [32]
ኣቤሴሎም ድማ ንዮኣብ፡ ስለምንታይ ደኣ ኻብ ጌሹር መጻእኩ፡ ንኣይሲ ገና ኣብኡ እንተ ዝህሉ ምሔሸኒ
ነይሩ። ሕጂ ኸኣ ገጽ ንጉስ ክርኢ እደሊ ኣሎኹ፡ ኣበሳ ተረኺቡኒ እንተ ኾይኑ ድማ ይቕተለኒ፡
ክትብለለይ፡ እንሆ፡ ናብ ንጉስ ክሰደካ፡ ንዓ ናብዚ ኢለ ለኣኽኩልካ፡ በሎ። [33] ዮኣብ ከኣ ናብ ንጉስ ኣትዩ
እዚ ነገሮ። ንኣቤሴሎም ድማ ጸውዖ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ንጉስ መጺኡ፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ብገጹ ናብ ምድሪ
ተደፊኡ ፍግም በለ። እቲ ንጉስ ከኣ ንኣቤሴሎም ሰዐሞ።

## ምዕራፍ 15

[1] ድሕርዚ ኸኣ ኾነ፡ ኣቤሴሎም ሰረገላን ኣፍራስን ቀቅድሚኡ ዚጐዩ ሓምሳ ሰብኣይን ገበረ። [2]
ኣቤሴሎም ድማ ኣንጊሁ ተንሲኡ ኣብ ጥቓ መገዲ እታ ደገ ደው ይብል ነበረ። ኰነ ድማ፡ ባእሲ ዝነበሮ
እሞ ኪፍረድ ኢሉ ናብ ንጉስ ንዝመጸ ዘበለ ሰብ፡ ኣቤሴሎም ናብኡ ጸዊዑ፡ ንስኻ ኻብ ኣየናይ ከተማ
ኢኻ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ጊልያኻ ኻብ ሓደ ነገድ እስራኤል እዩ፡ በለ። [3] ኣቤሴሎም ድማ፡ ርኤ፡ ነገርካስ
ጽቡቕን ቅኑዕን ነይሩ፡ ግናኸ ካብ ንጉስ እተኣዘዘ ዚሰምዓካ ደኣ የልቦን፡ ይብሎ ነበረ። [4] ኣቤሴሎም ከኣ፡
ነፍሲ ወከፍ ባእሲ ወይ ዚፍረድ ነገር ዘለዎ ሰብ ናባይ ኪመጽእ እሞ ሓቂ ኽፈርደሉስ፡ ኣብዛ ሃገር እሞ
መን ፈራዲ ይገብረኒ፡ ይብል ነበረ። [5] ኰነ ድማ፡ ኪሰግደሉ ኢሉ ንዝቐረቦ ሰብ ኢዱ ዘርጊሑ ሒዙ
ይስዕሞ ነበረ። [6] ኣቤሴሎም ከኣ ናብ ንጉስ ኪፍረድ ኢሉ ንዝመጸ ኹሉ እስራኤል ከምዚ ነገር እዚ

ይገብረሉ ነበረ። ኣቤሴሎም ከኣ ከምዚ እናገበረ ልቢ ሰብ እስራኤል ሰረቐ። 7-8 ኰነ ድማ፡ ኣብ
መወዳእታ ኣርብዓ ዓመት ኣቤሴሎም ንንጉስ፡ ጊልያኻ እቲ ኣብ ጌሹር ናይ ሶርያ ኸሎኹ፡ እግዚኣብሄር
ንየሩሳሌም ርግጽ እንተ ደኣ መሊሱንስ፡ ንእግዚኣብሄር ከገልግሎ እዩ፡ ኢለ መብጽዓ ተማባጺዔ ነይረ
እየ እሞ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር እተማባጻዕኩሉ መብጽዓ ኣብ ኬብሮን ክፍጽሞ ክኸይድ እልምነካ ኣሎኹ፡
በሎ። 9 ንጉስ ከኣ፡ ብሰላም ኪድ፡ በሎ። ተንሲኡ ድማ ናብ ኬብሮን ከደ። 10 ኣቤሴሎም ግና ናብ ኵሎም
ነገዳት እስራኤል ሰለይቲ ልኢኹ፡ ደሃይ መለኸት ምስ ሰማዕኩም፡ ኣቤሴሎም ኣብ ኬብሮን ነጊሱ በሉ፡
በሎም። 11 ምስ ኣቤሴሎም ድማ ክልተ ሚእቲ ዕዱማት ሰባት ካብ የሩሳሌም ከዱ፡ ንዳቶም ከኣ ብዛዕባ
እዚ ነገር እዚ ገለ ኸይፈለጡ፡ ብገርሆም ከዱ። 12 ኣቤሴሎም መስዋእትታት ሕሩድ ኪስውእ ከሎ ድማ፡
ልኢኹ ንኣሒቶፌል ጊሎናዊ፡ ናይ ዳዊት መኻሪ፡ ካብ ከተማኡ፡ ካብ ጊሎ ጸውዖ። እቲ ምምሕዳል ከኣ
በርትዔ። እቲ ምስ ኣቤሴሎም ዚኸይድ ዝነበረ ህዝቢ ድማ እናበዝሔ ኸደ። 13 ሓደ ወረኛ ናብ ዳዊት
መጺኡ ኸኣ፡ ልቢ ሰብ እስራኤል ደድሕሪ ኣቤሴሎም ስዒቡ እዩ በለ። 14 ሽዑ ዳዊት ነቶም ምስኡ ኣብ
የሩሳሌም ዝነበሩ ኹሎም ገላዉኡ፡ ተንስኡ ንህደም፡ ካብ ቅድሚ ኣቤሴሎም መውጽኢ የብልናን እሞ፡
ቀልጢፉ ሓደጋ ኸይወድቀና፡ ክፉእ ድማ ከየምጽአልና፡ ነዛ ኸተማውን ብስሕለት ሴፍ ከይወቕዓስ፡
ቀልጥፍ ንኺድ፡ በሎም። 15 እቶም ገላዉ ንጉስ ከኣ ንንጉስ፡ ጐይታይ ንጉስ ዝደለዮ ዘበለ ኹሉ
ንምግባር፡ እነዉ ገላዉኻ ተዳልዮም ኣለዉ፡ በልዎ። 16 ንጉስ ድማ ወጸ፡ ብዘሎ ቤተ ሰቡውን ደድሕሪኡ
ሰዐቦ። ግናኸ፡ ንጉስ ዓሰርተ ሰበይቲ ኣንስቲ ወሰኑ፡ ቤት ኪሕልዋ ሐደገን። 17 እቲ ንጉስ ወጸ፡ ብዘሎ እቲ
ህዝቢ ኸኣ ሰዐቦ። ኣብ ቤትመርሓቕ ድማ ደው በሉ። 18 ኲሎም ገላዉኣኡ ኸኣ ጐጐቦኡ ሐለፉ፡ ኲሎም
ጵለታውያንን ኲሎም ጋታውያንን ድማ፡ እቶም ካብ ጋት ስዒቦምዎ ዝነበሩ ሹድሽተ ሚእቲ ሰብ
ቀቅድሚ ንጉስ ሐለፉ። 19 ሽዑ ንጉስ ንኢታይ፡ እቶ ጋታዊ፡ ንስኻኸ ስለምንታይ ምሳና ትኸይድ ኣሎኻ፡
ተመለስ፡ ምስ ንጉስ ድማ ተቐመጥ፡ ንስኻስ እተማረኽካ ወሰንተኛ ኢኻ እሞ፡ ናብ ቦታኻ ተመለስ። 20
ትማሊ መጺእካስ፡ ሎሚዶ ምሳና ኹለል ከብለካ፡ ኣነስ ናብቲ ዝኸዶ ክኸይድ እየ፡ ተመለስ ደኣ፡
ነሕዋትካውን መለሶም፡ ምሕረትን ሓቅን ምሳኻ ይኹን፡ በሎ። 21 ኢታይ ግና ንንጉስ፡ ህያው
እግዚኣብሄር እዩ፡ ጐይታይ ንጉስውን ህያው እዩ፡ ኣብ ጐይታይ ንጉስ ዘለዋ ቦታ፡ ንሞት እንተ ኾይኑ
ወይ ንህይወት፡ ጊልያኻ ድማ ኣብኡ ኪኸውን እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። 22 ዳዊት ከኣ ንኢታይ፡ ኪድ ተሳገር፡
በሎ። ኢታይ ጋታውን ኲሉ ሰቡን እቶም ምስኡ ዚነብሩ ኹሎም ቈልዑን ድማ ተሳገሩ። 23 ብዘላ እታ
ሃገር ከኣ ዓው ኢላ ትበኪ ነበረት፡ ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ድማ ተሳገሩ። እቲ ንጉስ ከኣ ርባ ቄድሮን
ተሳገረ፡ ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ድማ ብመገዲ መረኻ ኣቢሎም ተሳገሩ። 24 እንሆ ኸኣ፡ ጻዶቅ ምስኡ ድማ
ኹሎም ሌዋውያን ታቦት ኪዳን ኣምላኽ ጾይሮም መጹ። ነቲ ታቦት ኣምላኽ ከኣ ኣቐመጥዎ፡ ብዘሎ እቲ
ህዝቢ ኻብ ከተማ ፈጺሙ ኽሳዕ ዚሳገር ድማ፡ ኣብያታር ደዩቡ ነበረ። 25 ንጉስ ከኣ ንጻዶቅ፡ ንታቦት
ኣምላኽ ናብ ከተማ ምለሶ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ ኪመልሰኒ እዩ፡
ንእኡንንም ኣሕደሩን ድማ ከኢርእየኒ እዩ፡ 26 ኣይፈትወካን እንተ በለኒ ግና፡ እኔኹ፡ ባህ ከም ዝበሎ
ይግበረኒ፡ በሎ። 27 ንጉስ ድማ ንጻዶቅ ካህን፡ ንስኻ ረአዩ ደይኰንካን፡ ብሰላም ናብ ከተማ ተመለስ፡
ወድኻ ኣሒማዓጽን ዮናታን ወዲ ኣብያታርን ክልቲኦም ደቅኹም ድማ ምሳኻትኩም ይኺዱ። 28 ርአዩ፡
እቲ ወረ ዚነግረኒ ኻባኻትኩም ክሳዕ ዚመጽእ፡ ኣነ ኣብቲ ጐልጐል ምድረባዳ ኽጸንሕ እየ፡ በሎ። 29
ሽዑ ጻዶቅን ኣብያታርን ንታቦት ኣምላኽ ናብ የሩሳሌም መለስዎ፡ ኣብኡ ኸኣ ተቐመጡ። 30 ዳዊት ድማ
በቲ መደይቢ ደብረ ዘይቲ ደየበ። ኪድይብ ከሎ ኸኣ በኸየ፡ ንሱ ድማ ርእሱ ተጐልቢቡ ብዘይ ሳእኒ
ይኸይድ ነበረ። እቲ ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝቢ ኸኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ርእሱ ተጐልቢቡ ደየበ፡ እናበኸየ

ድማ ደየበ። 31 ንዳዊት ከኣ፡ ኣሒቶፌል ኣብ መንጎ እቶም ማሓሐልቲ ተሐዊሱ ምስ ኣቤሴሎም ኣሎ፡
ኢሎም ነገርዎ። ዳዊት ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንምኽሪ ኣሒቶፌል ናብ ዕሽነት ክትልውጦ፡ እልምነካ
ኣሎኹ፡ በለ። 32 ኰነ ኸኣ፡ ዳዊት ናብ ርእሲ እታ ንኣምላኽ ዚሰገደላ ቦታ ምስ መጸ፡ እንሆ ድማ፡ ሑሳይ
ብዓል ኣርኪ ኽዳኑ ቐዲዱ ሓመድ ከኣ ኣብ ልዕሊ ርእሱ ነስኒሱ ኪቕበሎ መጸ። 33 ዳዊት ድማ በሎ፡
ምሳይ እንተ ሐልፍካ፡ ክትከብደኒ ኢኻ። 34 ግናኸ ናብ ከተማ እንተ ተመሊስካ፡ ንኣቤሴሎም ከኣ፡ ዎ
ንጉስ፡ ኣነ ጊልያኻ ክኸውን እየ፡ ቀደም ጊልያ ኣቦኻ ኸም ዝነበርኩ፡ ሕጂ ድማ ጊልያኻ ክኸውን እየ፡
እንተ በልካዮ፡ ሽዑ ንምኽሪ ኣሒቶፌል ከንቱ ኽትገብረለይ ኢኻ። 35 እቶም ካህናት ጻዶቅን ኣብያታራን
ኣብኡ ምሳኻዶ ኣየለዉን ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ ኣብ ቤት ንጉስ ዝሰማዕካዮ ዘበለ ነቶም ካህናት፡
ንጻዶቅን ንኣብያታርን፡ ክትነግሮም ኢኻ። 36 እነዉ ኽልቲኦም ደቆም ኣሕማዓጽ ወዲ ጻዶቅን ዮናታን
ወዲ ኣብያታርን ኣብኡ ምሳታቶም ኣለዉ። እትሰምዕዎ ዘበለ ዅሉ ነገር ድማ ብኣታቶም ጌርኩም
ልኣኹለይ። 37 ሑሳይ ፈታው ዳዊት ከኣ ናብ ከተማ ኣተወ፡ ኣቤሴሎም ድማ ናብ የሩሳሌም ኣተወ።

## ምዕራፍ 16

1 ዳዊት ድማ ካብ ርእሲ እቲ ኸረን ቅሩብ ምስ ሐለፈ፡ እንሆ ኸኣ፡ ጺባ ጊልያ መፊቦሸት ክልተ ሚእቲ
እንጌራን ሚእቲ እሳር ዘቢብን ሚእቲ ጐነ በለስን ሓደ ሓርቢ ወይንን እተጻዕና ኽልተ ኣድጊ ሒዙ
ተቐበሎ። 2 እቲ ንጉስ ድማ ንጺባ፡ እዚ ንምንታይ ኢልካዮ ኢኻ፡ በሎ። ጺባ ከኣ፡ እዘን ኣእዱግ ቤተ
ሰብ ንጉስ ኪውጥሕወን፡ እዚ እንጌራን ፍሬታትን ድማ እዞም ገላዉ ኺበልዕዎ፡ እዚ ወይኒ ኸኣ እቶም
ኣብ በረኻ ዚደኽሙ ኺሰትዎ ኢለ እየ በለ። 3 እቲ ንጉስ ድማ፡ ወዲ ጐይታኻ ደኣ ኣበይ ኣሎ በለ። ጺባ
ኸኣ ንንጉስ፡ ንሱስ፡ ሎሚ ቤት እስራኤል፡ መንግስቲ ኣቦይ ኪመልሱለይ እዮም፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ኣብ
የሩሳሌም ተቐሚጡ ኣሎ፡ በሎ። 4 ሽዑ ንጉስ ንጺባ፡ እንሆ፡ ናይ መፊቦሸት ዘበለ ዅሉ ንኣኻ እዩ፡ በሎ።
ጺባ ድማ፡ ዎ ጐይታይ ንጉስ፡ ኢድ እነስእ ኣሎኹ፡ ኣብ ቅድሜኻ ደኣ ሞገስ እርከብ፡ በለ። 5 ንጉስ ዳዊት
ድማ ናብ ባሑሪም ምስ መጸ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሺምዒ ዝስሙ ሰብኣይ፡ ወዲ ጌራ ኻብ ዓሌት ቤት ሳኦል፡
ካብኣ ወጸ። ንሱ ወጺኡ እናኸደ ይረግም ነበረ። 6 እቶም ህዝብን እቶም ጅጋኑኡን ንንጉስ ብየማነ ጸጋሙ
ኽዮኖም ከለዉ፡ ንሱ ኣብ ዳዊትን ኣብ ኲሎም ገላዉ ንጉስ ዳዊትን ኣእማን ይድርቢ ነበረ። 7 ሽምዒ
እቲ ኺረግሞ ኸሎ ኸምዚ ይብሎ ነበረ፡ ኣታ ናይ ደም ሰብ፡ ኣታ ናይ ብልያል ሰብ፡ ውጻእ፡ ውጻእ። 8
ነቲ ኣብ ክንዳኡ ንዝነገስካ ዅሉ ደም ቤት ሳኦል እግዚኣብሄር ናባኻ መለሰልካ። እግዚኣብሄር ነዛ
መንግስቲ ንወድኻ ኣቤሴሎም ኣብ ኢዱ ሀቦ። ንስኻ ናይ ደም ሰብ ኢኻ እሞ፡ እንሆልካ ብኽፍኣትካ
ተተሐዝካ። 9 ኣቢሻይ ወዲ ጽሩያ ኸኣ ንንጉስ፡ እዚ ምዉት ከልቢ እዚ ስለምንታይ እዩ ንጐይታይ ንጉስ
ዚጸርፎ ዘሎ፡ በጃኻ ኽይደ ርእሱ ክቘርጾ፡ በሎ። 10 ንጉስ ግና፡ ኣቱም ደቂ ጽሩያ፡ ምሳኻትኩም ኰይነ
ዝገብሮ እንታይ ኣሎኒ፡ እቲ ዚረግመኒ ዘሎስ፡ እግዚኣብሄር፡ ንዳዊት ርገም፡ ኢሉ ኣዚዝዎ እዩ እሞ፡
ስለምንታይ ከምዚ እትገብር፡ ዚብሎ መን እዩ፡ በለ። 11 ዳዊት ድማ ንኣቢሻይን ንዅሎም ገላዉኡን፡
እንሆ፡ እቲ ኻብ ከርሰይ ዝወጸ ወደይ እኳ ንነፍሰይ ይደልያ ኣሎ፡ ከመይ ግዳ ሕጂ እዚ ብንያማዊ ወዲ
ዝገደደ ዘይገብር። እግዚኣብሄር ኣዚዝዎ እዩ እሞ፡ ይርገም ሕደግዎ። 12 እግዚኣብሄር ነዚ ወሪዱኒ ዘሎ
ዓመጻ ርእዩስ፡ ኣብ ክንዲ እዚ ሎሚ ዝርገም ዘሎኹ ምናልባሽ ጽቡቕ እንተ መለሰለይ፡ በሎም። 13
ዳዊትን ሰቡን ብመገዲ መገዲ ይኸዱ ነበሩ፡ ሽምዒ ኸኣ ኣብ መንጽሩ ብጐቦ እቲ ኸረን ኣቢሉ ኪኸይድ
ከሎ እናረገሞ፡ እምኒውን እናደርበየሉ፡ ብሓመድ ከኣ እናገጨቦ ይኸይድ ነበረ። 14 ንጉስ እቲ ምስኡ

ዝነበረ ዅሉ ህዝብን ድማ ደኺሞም ናብኡ መጹ፡ ኣብኡ ኸኣ እተንፈሱ። 15 ኣቤሴሎም እቲ ምስኡ
ዝነበረ ዅሉ ህዝቢ ሰብ እስራኤልን ንየሩሳሌም ኣተዉ፡ ኣሒቶፌልውን ምስኡ ነበረ። 16 ኰነ ድማ፡
ሑሻይ በዓል ኣርኪ፡ ፈታዊ ዳዊት ናብ ኣቤሴሎም ምስ መጸ፡ ሑሻይ ንኣቤሴሎም፡ ንጉስ ህያው ይኹን፡
ንጉስ ሃይው ይኹን፡ በሎ። 17 ኣቤሴሎም ከኣ ንሑሻይ፡ እቲ ንፈታዊኻ እትገብረሉ ሞተስ እዚ ድዩ፡
ስለምንታይ ደኣ ምስ ፈታዊካ ዘይከድካ፡ በሎ። 18 ሑሻይ ድማ ንኣቤሴሎም፡ ኣይፋለይን፡ ኣነስ ናይቲ
እግዚኣብሄርን እዚ ህዝቢ እዝን ኲሎም ሰብ እስራኤልን ዝሐረይዎ እየ፡ ምስኡ ኸኣ እነብር። 19 መሊሰ
ደኣ ንመን ከገልግል እየ፡ ኣብ ቅድሚ ወዱ ክኸውን ደይኰንኩን፡ ከምቲ ኣብ ቅድሚ ኣቦኻ ዘገልገልኩ፡
ከምኡ ኸኣ ኣብ ቅድሜካ ክኸውን እየ፡ በሎ። 20 ኣቤሴሎም ድማ ንኣሒቶፌል፡ እንታይ ከም እንገብር
ምኽሪ ሀቡና፡ በሎ። 21 ኣሒቶፌል ከኣ ንኣቤሴሎም፡ ነተን ቤት ኪሕልዋ ዝሐደገን ኣንስቲ ወሰን ኣቦኻ
እተወን። ብዘሎ እስራኤል ድማ ኣብ ኣቦኻ ጽዩፍ ከም ዝኾንካ ይሰምዕ፡ ሽዑ ኣእዳው እቶም ምሳኻ
ዘለዉ ዅሎም ኪጸኖኣ እየን፡ በሎ። 22 ንኣቤሴሎም ድማ ድንኳን ኣብ ናሕሲ ተኸሉሉ፡ ኣቤሴሎም ከኣ፡
ብዘሎ እስራኤል እንረአየ፡ ናብተን ኣንስቲ ወሰን ኣቦኡ ኣተወ። 23 በዚ ጊዜ ኣሒቶፌል ዚመኽሮ ዝነበረ
ሚኽሪ፡ ንቓል ኣምላኽ ከም ምጥያቕ ነበረ፡ ኲሉ ምኽሪ ኣሒቶፌል ዘበለ ምስ ዳዊት ኰነ ምስ
ኣቤሴሎም ከምኡ ነበረ።

# ምዕራፍ 17

1 ኣሒቶፌል ድማ ንኣቤሴሎም በሎ፡ በጃኻ፡ ዓሰርተው ክልተ ሽህ ሰብኣይ ሐርየስ ተንሲኤ ሎሚ ለይቲ
ደድሕሪ ዳዊት ክግስግስ። 2 ሽዑ ደኺሙን ኣእዳዉ ዘርጋሕጋሕ ኢለን ከለዋን፡ ሓደጋ ወዲቐ ኸሰምብዶ።
እቲ ምስኡ ዘሎ ህዝቢውን ይሀድም፡ ንንጉስ በይኑ ኸኣ እቐትሎ፡ 3 ንዅሉ ህዝቢ ድማ ናባኻ እመልሶ፡
እቲ ንስኻ እትደልዮ ዘሎኻ ሰብኣይሲ ዅሎም ከም እተመልሱ እዩ፡ ሽዑ ንዅሉ ህዝቢ ሰላም ይኸውን።
4 እዚ ዘረባ እዚ ንኣቤሴሎምን ንዅሎም ዓበይቲ እስራኤልን ባህ ኣበሎም። 5 ኣቤሴሎም ግና፡ እስኪ
ንሑሻይ ብዓል ኣርኪ ኸኣ ጸውዕዎ፡ ንሱ ዚብሎ ድማ ክንሰምዕ፡ በለ። 6 ሑሻይ ናብ ኣቤሴሎም ምስ
መጸ ኸኣ፡ ኣቤሴሎም፡ ኣሒቶፌል ከምዚ ዝበለ ነገር ተዛሪቡ ኣሎ፡ ነቲ ዘረባኡስ ንግበሮዶ፡ እንተ
ዘይኰነስ ንስኻ ተዛረብ፡ በሎ። 7 ሑሻይ ከኣ ንኣቤሴሎም፡ ኣሒቶፌል በዚ ጊዜ እዚ ዝመኸሮ ምኽሪ
ጽቡቕ ኣይኰነን፡ በሎ። 8 ሑሻይ ድማ መሊሱ በሎ፡ ኣቦኻን እቶም ሰቡን ከኣ ጀጋኑን ኣብ መሮር
ኰራኲራ ኸም ዘግደፍዋ ዝብኢ መረርቲ ነፍስን ከም ዚኾኑ፡ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ። ኣቦኻ ድማ ተዋጋኢ
ሰብኣይ እዩ፡ ምስ ህዝቢ ኸኣ ኣይሐድርን። 9 እንሆ ሕጂ እኳ ኣብ ሓደ ጒድጓድ ወይ ኣብ ሓደ ቦታ
ተሐቢኡ ኣሎ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ብመጀመርታ ኻባታቶም ገለ እንተ ወደቑ፡ እቲ ዝሰምዔ ዘበለ፡ እቲ
ደድሕሪ ኣቤሴሎም ዝሰዐበ ህዝቢ ተሳዒሩ እዩ፡ ኺብል እዩ። 10 ኣቦኻ ጅግና ኸም ዝኾነ፡ እቶም ምስኡ
ዘለዉ ኸኣ ሓያላት ምዃኖም ብዘሎ እስራኤል ይፈልጥ እዩ እሞ፡ ሽዑ እቲ ኸም ልቢ ኣንበሳ ዝልቡ
ጅግና እኳ ፈጺሙ ኺመክኽ እዩ። 11 ስለዚ ኸም ሑጻ ባሕሪ ምእንቲ ኺበዝሕ፡ ብዘሎ እስራኢል ካብ
ዳን ክሳዕ ብኤርሸባኦ ናባኻ ኪኸትት፡ ባዕልኻውን ናብቲ ውግእ ክትከይድ፡ እመክር ኣሎኹ። 12 ሽዑ
ኣውሊ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኸም ዚወድቕ፡ ኣብ ሓንቲ ዚርከበላ ቦታ ንውደቆ። ካብኡን ካብቶም ምስኡ
ዘለዉ ሰባትን ከኣ ሓደ እኳ ኣይነትርፍን። 13 ናብ ሓንቲ ኸተማ እንተ ኣተወ ድማ፡ ሽዑ ብዘሎ እስራኤል
ነታ ኸተማ እቲኣ በግማድ ይኸባ፡ ንእሽቶ እምኒ እኳ ኽሳዕ ዘይርከባ ድማ፡ ናብ ርባ ኽንስሕባ ኢና። 14
ሽዑ ኣቤሴሎምን ብዘለዉ ሰብ እስራኤልን፡ ካብ ምኽሪ ኣሒቶፌልሲ ምኽሪ ሑሻይ ብዓል ኣርኪ

ይበልጽ፡ በሉ። እግዚኣብሄር ንኣቤሴሎም ክፉእ ምእንቲ ኼምጽኣሉስ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ጽቡቕ ምኽሪ
ኣሒቶፌል ኪዝርዝር ኣዚዙ ነበረ። 15 ሽው ሑሻይ ነቶም ካህናት፡ ንጻዶቅን ንኣቢታርም’ ኣሒቶፌል
ንኣቤሴሎምን ነቶም ዓበይቲ እስራኤልን ከምዝን ከምዝን ኢለ መኸርኩ። 16 እምበኣር ሕጂ፡ ንጉስን እቲ
ምስኡ ዘሎ ኹሉ ህዝብን ምእንቲ ኸይወሐጡስ፡ ብዝኾነ ተሳገር እምበር፡ በዛ ለይቲ እዚኣ ኣብቲ
መሳገሪታት በረኻ ኣይትሕደር፡ ኢሎም ንዳዊት ኪነግርዎ፡ ቀልጢፍኩም ልኣኹሉ፡ በሎም። 17 ዮናታንን
ኣሒማዓጽን ድማ ኣብ ዔንሮጌል ደው ኢሎም ነበሩ፡ ናብ ከተማ ኣትዮም ኪረአዩ ኣይከኣሉን እሞ፡
ሓንቲ ገረድ ከይዳ ነገረቶም፡ ንሳቶም ድማ ናብ ንጉስ ዳዊት ከይዶም ነገርዎ። 18 ግናከ ሓደ መንእሰይ
ረአዮም እሞ፡ ንኣቤሴሎም ነገሮ። ሽው ኽልቲኦም ቀልጢፎም ከዱ፡ ኣብ ባሑሪም ኣብ ቤት ሓደ
ሰብኣይ ኣተዉ፡ ኣብ ደምቤኡ ድማ ዔላ ነበረቶ፡ ናብኣ ኸኣ ወረዱ። 19 እታ ሰበይቱ ድማ፡ ሰብ ምእንቲ
ኸይርእዮምሲ፡ ማእሲ ወሲዳ ኣብ ኣብ እታ ዔላ ዘርግሐት፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ጒዱእ ስገም ሰጦሔት
እሞ፡ ገለ ነገር ኣይተፈልጠን። 20 ገላዉ ኣቤሴሎም ናብታ ቤት ናብታ ሰበይቲ መጺኦም ከኣ፡
ኣሒማዓጽን ዮናታንን ኣበይ ኣለዉ፡ በልዋ። እታ ሰበይቲ ድማ፡ ርባ ማይ ተሳጊሮም፡ በለቶም። ንሳቶም
ከኣ ደለይዎም፡ ምስ ሰኣንዎም ድማ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። 21 ኰነ ኸኣ፡ ንሳቶም ምስ ከዱ፡ እቲኣቶም
ድማ ካብቲ ዔላ ወጺኦም ከይዶም ንንጉስ ዳዊት ነገርዎ። ንዳዊት ድማ፡ ኣሒቶፌል ከምዝን ከምዝን
ኢሉ መኺሩልኩም እዩ እሞ፡ ተንሲእኩም ቀልጢፍኩም ነቲ ማይ ተሳገሩ፡ በልዎ። 22 ሽው ዳዊትን እቲ
ምስኡ ዝነበረ ኹሉ ህዝብን ተንሲኦም ዮርዳኖስ ተሳገሩ። ክሳዕ ብርሃን ወጋሕታ ድማ፡ ዮርዳኖስ
ዘይተሳገረ ሓደ እኳ ኣይተረፈን። 23 ኣሒቶፌል ከኣ ነቲ ምኽሩ ኸም ዘይተገብረ ምስ ረአየ፡ ኣድጉ ጽዒኑ፡
ተንሲኡ፡ ንኸተማኡ ናብ ቤቱ ኸደ። ቤቱ ኣስተናቢሩ ድማ ተሐኒቑ ሞተ። ኣብ መቓብር ኣቦኡ ኸኣ
ተቐብረ። 24 ዳዊት ድማ ናብ ማሓናይም መጸ። ኣቤሴሎም ከኣ፡ ንሱን ኲሎም ሰብ እስራኤልን ምስኡ
ዮርዳኖስ ተሳገሩ። 25 ኣቤሴሎም ከኣ ኣብ ክንዲ ዮኣብ ንዓማሳ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሸሞ። ዓማሳ ድማ
ወዲ ዩትራ ዝስሙ እስራኤላዊ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ኸኣ ንኣቢጋል ጓል ናሓሽ፡ ሓብቲ ጽሩያ ኣደ ዮኣብ፡
ኣትይዋ ነበረ። 26 እስራኤልን ኣቤሴሎምን ድማ ኣብ ምድሪ ጊልዓድ ሰፈሩ። 27 ኰነ ኸኣ፡ ዳዊት ናብ
ማሓናይም ምስ ኣተወ፡ ሾቢ ወዲ ናሓሽ ካብ ራባ ናይ ደቂ ዓሞን፡ ማኪር ወዲ ዓሚኤል ድማ ካብ
ሎድባር፡ ባርዚላይ ጊልዓዳዊ ኸኣ ካብ ሮግሊም፡ 28-29 ንሳቶም፡ እቲ ህዝቢ ኣብ በረኻ ጠምዩን ደኺሙን
ጸሚኡን እዩ ዘሎ፡ ኢሎም ነበሩ እሞ፡ ዓራውትን ጭሔሎታትን ኣቕሓ መሬትን ስርናይን ስገምን
ሓርጭን ጥቡስ ሰዊትን ባልደንጓን ብርስንን ቈሎ ዓተርን መዓርን ርግኦን ኣባጊዕን ኣጅቦ ኣሓን ንዳዊትን
ነቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝብን ዚብላዕ ኣምጽኡሎም።

## ምዕራፍ 18

1 ዳዊት ድማ ነቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝቢ ቈጺሩ፡ ኣብ ልዕሊኦም ሓላቑ ሽሕን ሓላቑ ሚእትን ሸመሎም። 2
ዳዊት ከኣ ነቲ ህዝቢ፡ ሲሶኡ ኣብ ትሕቲ ኢድ ዮኣብ፡ ነቲ ሲሶኡ ድማ ኣብ ትሕቲ ኢድ ኣቢሻይ፡ ወዲ
ጽሩያ ሓው ዮኣብ፡ ነቲ ሲሶውን ኣብ ትሕቲ ኢድ ኢታይ ጊታዊ ገይሩ ሰደዶ። እቲ ንጉስ ድማ ነቶም
ህዝቢ፡ ኣነ ኸኣ ርግጽ ምሳኻትኩም ክወጽእ እየ፡ በሎም። 3 እቶም ህዝቢ ግና፡ ንሕናስ እንተ ሀደምና፡
ብዛዕባና ኣይሐስቡን፡ ፈረቓና እንተ ሞትናውን፡ ብዛዕባና ኣይሐስቡን እዮም፡ ንስኻ ግና ክንዲ ዓሰርተ
ሽሕና ኢኻ እሞ፡ ኣይትውጻእ። እምበኣርሲ ሕጂ ኣዳሊኻ ኻብ ከተማ ኽትረድኣና ይሐይሽ፡ በሉ። 4
እቲ ንጉስ ከኣ፡ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእየኩም እገብር፡ በሎም። ንጉስ ድማ ኣብ ጥቓ እታ ደገ ደው በለ፡

ኩሉ እቲ ህዝቢ ድማ በብሚእትታትን በብኣሽሓትን ኰይኖም ወጹ። 5 እቲ ንጉስ ከኣ ንዮኣብን
ንኣቢሻይን ንኢታይን፡ ምስ እቲ ጐበዝ፡ ምስ ኣቤሴሎም፡ ስለይ ኢልኩም ብቐስታ ግበርዎ፡ ኢሉ
ኣዘዞም። እቲ ንጉስ ንኹሎም ሓላቑ ብናይ ኣቤሴሎም ነገር ኪእዝዞም ከሎ፡ ብዘለዉ እቶም ህዝቢ
ይሰምዑ ነበሩ። 6 እቲ ህዝቢ ኸኣ ንእስራኤል ኪቃባበሎ ናብ መሮር ወጸ፡ እቲ ውግእ ድማ ኣብ ዱር
ኤፍሬም ኰነ፡ 7 ኣብኡ ኸኣ እቶም ህዝቢ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ገላዉ ዳዊት ተሳዕሩ፡ በታ መዓልቲ
እቲኣ ድማ ናብ ዕስራ ሽሕ ዚኣክል ብርቱዕ ጥፍኣት ኰነ። 8 ኣብኡ ኸኣ እቲ ውግእ ኣብ ብዘላ እታ ምድሪ
ፋሕ በለ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብቲ ሴፍ ዝወሓጦስ፡ እቲ ዱር ዝወሓጦ በዝሔ። 9 ኣቤሴሎም ድማ
ንገላዉ ዳዊት ብቕድሚኦም ተጓነፎም። ኣቤሴሎም ከኣ በቕሊ ሰሪሩ ነበረ፡ እታ በቕሊ ድማ ኣብ ትሕቲ
ደስደስ ዓብዪ ድዋ ኣተወት፡ ርእሱ ኸኣ ኣብቲ ድዋ ተታሕዘ እሞ፡ ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ጠልጠል
በለ፡ እታ ኣብ ትሕቲኡ ዝነበረት በቕሊ ድማ ሐለፈት። 10 ሓደ ሰብኣይ ድማ ርእዩ ንዮኣብ፡ እንሆ፡
ንኣቤሴሎም ኣብ ሓደ ድዋ ጠልጠል ኢሉ ርእየዮ፡ ኢሉ ነገሮ። 11 ዮኣብ ከኣ ነቲ ዝነገሮ ሰብኣይ፡ እንሆ፡
ርኢኻዮ ኸሎኻስ ስለምንታይ ድኣ ኣብኡ ምስ ምድሪ ዘየጣበቕካዮ፡ ዓሰርተ ሲቃል ብሩርን ሓደ ቕናትን
ምሀብኩኻ ነይረ፡ በሎ። 12 እቲ ሰብኣይ ከኣ ንዮኣብ፡ ንጉስ ንኣኻን ንኣቢሻይን ንኢታይን፡ ነቲ ጐበዝ፡
ንኣቤሴሎም፡ ስለይ ኢልኩም ተጠንቀቑሉ፡ ኢሉ ኺእዝዘኩም ከሎ ንሰምዖ ነርና ኢና እሞ፡ ሽሕ ሲቃል
ብሩር ተመዚኑ ኣብ ኢደይ እንተ ዝቕበል እኳ፡ ናብቲ ወዲ ንጉስ ኣቢለስ ኢደይ ኣይምዘርጋሕኩን። 13
ንነፍሱ ደፊረያ ኽም ኰንኩ ድማ፡ ካብ ንጉስ ዚሕባእ ነገርሲ የልቦን፡ ንስኻ ኸኣ ምተቓወምካኒ ኔርካ፡
በሎ። 14 ሽዑ ዮኣብ፡ ከምዚ ምሳኻ ኽድንጕ ኣይደልን፡ በለ። ሰለስተ መዝረቕ ኣብ ኢዱ ወሲዱ ድማ፡
ንሱ ገና ብህይወቱ ኣብ ድዋ ጠልጠል ኢሉ ኸሎ፡ ናብ ልቢ ኣቤሴሎም ሸኸተን። 15 ዓሰርተ መንእሰይ፡
ጋሻ ዛግረ ዮኣብ ከኣ ንኣቤሴሎም ከበብዎ፡ ወቒዖም ድማ ቀተልዎ። 16 ዮኣብ ድማ መለኸት ነፍሔ፡
ዮኣብ ነቲ ህዝቢ ኸልከሎ እሞ፡ እቲ ህዝቢ ኸኣ ካብ ምስዓጕ እስራኤል ተመልሰ። 17 ንኣቤሴሎም፡ ድማ
ወሲዶም፡ ኣብቲ ኣብ ዱር ዘሎ ጒድጓድ ደርበይዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ኣዝዩ ዓብዪ ኹምራ እምኒ
ደርደሩሉ። ብዘለዉ እስራኤል ድማ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ድንኳኑ ሀደመ። 18 ኣቤሴሎም ድማ፡ ንመዘከርታ
ስመይ ዚኾነኒ ወዲ የብለይን፡ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ብህይወቱ ኸሎ፡ ወሲዱ ነቲ ኣብ ንጉስ ዘሎ ሓወልቲ
ኣቔሞ። ነቲ ሓወልቲ ኸኣ ብስሙ ሰመዮ፡ ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ድማ ሓወልቲ ኣቤሴሎም ይበሀል ኣሎ።
19 ኣሒማዓጽ ወዲ ጻዶቅ ድማ፡ ንንጉስስ፡ እግዚኣብሄር ካብ ኢድ ጸላእቱ በዱንሉ እዩ እሞ፡ ጐይየ ደኣ
ኸበስሮ፡ በለ። 20 ዮኣብ ከኣ፡ ንስኻ ሎሚ መዓልቲ ብስራት እትነግር ሰብ ኣይትኸውንን ኢኻ፡ ብኻልእ
መዓልቲ ደኣ ተበስር፡ ወዲ ንጉስ ሞይቱ እዩ እሞ፡ በዛ መዓልቲ እዚኣስ ኣይተበስርን ኢኻ፡ በሎ። 21
ዮኣብ ግና ነቲ ኩሻዊ፡ ኪድ፡ ዝርኤኻዮ ንንጉስ ንገሮ፡ በሎ። እቲ ኩሻዊ ድማ ንዮኣብ ኢድ ነሲኡስ
ጐየየ። 22 ኣሒማዓጽ ወዲ ጻዶቅ ከኣ ንዮኣብ መሊሱ፡ ዝኾነ ይኹን፡ ኣነውን ደድሕሪ እቲ ኩሻዊ
ኽጐዪ፡ በጃኻ፡ በሎ። ዮኣብ ከኣ፡ ወደየ፡ ናይ ብስራት ዚመጸካ ነገር ዜብልካስ፡ ስለምንታይ እትጐዪ፡
በሎ። 23 ንሱ ድማ፡ ዝኾነ ይኹን፡ ክጐዪ ደአ፡ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ጒየ፡ በሎ። ኣሒማዓጽ ድማ ብመገዲ
ጐልጐል ጐይዩ ነቲ ኩሻዊ ቐደሞ። 24 ዳዊት ድማ ኣብ መንጎ እተን ክልተ ደገ ተቐሚጡ ነበረ። ዘብዔኛ
ኸኣ ብወገን እቲ መካባብያ ኣብ ዝባን ናሕሲ እቲ ደገ ይኸይድ ነበረ። ዓይኑ ቛሕ እንተ ኣበለ፡ እንሆ
ድማ፡ በይኑ ዚጐዪ ሰብኣይ ረአየ። 25 እቲ ዘብዔኛ ኸኣ ጸዊዑ ንንጉስ ነገሮ። ንጉስ ከኣ፡ በይኑ እንተ
ኾይኑስ፡ ብስራት ኣብ ኣፉ ኣሎ፡ በለ። እናጐየየ ድማ ቐረበ። 26 እቲ ዘብዔኛ ኸኣ ካልእ ሰብኣይ ኪጐዪ
ረአየ፡ ሽዑ እቲ ዘብዔኛ ነጋፋሪ ጸዊዑ፡ እንሆ፡ በይኑ ዚጐዪ ኻልእ ሰብኣይ ድማ፡ በሎ። እቲ ንጉስ ከኣ፡
እዚውን ዜበስር እዩ፡ በለ። 27 እቲ ዘብዔኛ ድማ፡ ንኣይሲ ጒያ እቲ ቐዳማይ ከም ኣጓይያ ኣሒማዓጽ

ወዲ ጻዶቅ መሲሉ ይረአየኒ፡ በለ። ንጉስ ከኣ፡ ንሱስ ሕያዋይ ሰብ እዩ፡ ጽቡቕ ብስራት ዜምጽእ እዩ፡
በለ።[28] ኣሒማዓጽ ድማ ንንጉስ፡ ሰላም ኢሉ፡ ጨደረ፡ ብገጹ ናብ ምድሪ ፍግም ኢሉ ንንጉስ ኢድ ነሲኡ
ኸኣ፡ እቲ ነቶም ኣብ ጐይታይ ንጉስ ኣእዳዎም ዘልዐሉ ሰባት ኣሕሊፉ ዝሀበ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ይባረኽ፡ በለ።[29] እቲ ንጉስ ድማ፡ እቲ ጐበዝ ኣቤሴሎምከ ደሓንዶ ኣሎ፡ በለ። ኣሒማዓጽ ከኣ፡ ንዮኣብ
ነቲ ጊልያ ንጉስን ንኣይ ንጊልያኻን ኪልእከና ኸሎ፡ ብዙሕ ዕግርግር ርኤኹ፡ እንታይ ከም ዝኾነ ግና
ኣይፈለጥኩን፡ በለ።[30] እቲ ንጉስ ከኣ፡ እግሊስካ ኣብኡ ደው በል፡ በሎ። ኣግሊሱ ድማ ደው በለ።[31]
እንሆ ኸኣ፡ እቲ ኩሻዊ መጸ። እቲ ኩሻዊ ድማ፡ ካብ ኢድ እቶም ዝተንስኡኻ ኹሎም እግዚኣብሄር
ሎሚ በይኑልካ እዩ እሞ፡ ንጐይታይ ንጉስ ብስራት፡ በለ።[32] እቲ ንጉስ ከኣ ነቲ ኩሻዊ፡ እቲ ጐበዝ
ኣቤሴሎምከ ደሓንዶ ኣሎ፡ በሎ። እቲ ኩሻዊ ኸኣ፡ ጸላእቲ ጐይታይ ንንጉስን ንኽፉእካ ዚትንስኡ
ኹሎምን ከምቲ መንእሰይ ይኹኑ፡ በለ።[33] ሽዑ ንጉስ ኣዝዩ ሕንቕንቕ በለ፡ ኣብ ልዕሊ ደገ ናብ ዘሎ
ደርቢ ደዪቡ በኸየ። እናኸደ ኸኣ ከምዚ በለ፡ ወደይ ኣቤሴሎም፡ ወደይ፡ ወደይ፡ ኣቤሴሎም፡ ኣብ
ክንዳኻ ሞይተ እንተ ዝኸውን መን ምሀበኒ፡ ወድይ ኣቤሴሎም፡ ወደይ።

# ምዕራፍ 19

[1] ንዮኣብ ድማ፡ እንሆ፡ ንጉስ ብዛዕባ ኣቤሴሎም ይበኪን ይጕህን ኣሎ፡ ኢሎም ነገርዎ።[2] እቲ ንጉስስ
ብዛዕባ ወዱ ኸም ዝሐዘነ፡ እቲ ህዝቢ በታ መዓልቲ እቲኣ ሰሚዑ ነበረ እሞ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ
ንብዘሎ ህዝቢ እቲ ስዕረት ናብ ጓሂ ተለወጠ።[3] ኣብ ኲናት ብምህዳሞም ሐፊሮም እናተጸቕጠ ናብ
ከተማ ኣተወ።[4] እቲ ንጉስ ከኣ ገጹ ኸዲኑ ነበረ፡ ንጉስ ድማ ዓው ኢሉ፡ ወደይ ኣቤሴሎም፡ ኣቤሴሎም
ወደይ፡ ወደይ፡ ኢሉ ጨደረ።[5-6] ሽዑ ዮኣብ ናብ ንጉስ ኣብታ ቤት ኣትዩ በሎ፡ ነቶም ዘጸልኡኻ
ብምፍታውካን ነቶም ዚፈትዉኻውን ብምጽላእካን፡ ነቶም ገላዉን ሓላቑን ግዶም ከም ዜብልካ፡ ሎሚ
ኣፍለጥካ። ኣቤሴሎም ብህይወቱ እንተ ዚህሉ፡ ንሕና ኹልና ግና ሎሚ እንተ ንመዉት፡ ሽዑ ቕኑዕ
ኰይኑ ኸም ዚረአየኻን፡ ሎሚ ፈለጥኩ። ሎሚ ንገጽ እቶም ነፍስኻን ነፍሲ ኣወዳትካን ኣዋልድካን ነፍሲ
ኣንስትኻን ነፍሲ ኣንስቲ ወሰንካን ዘድሐኑ ኹሎም ገላውኻን ኣሕፈርካዮ።[7] ሕጂ ኸኣ፡ ተንሲእካ ውጻእ፡
ንልቢ ገላዉኻ ድማ ተዛረብ። እንተ ዘይወጻእካ ግና፡ በዛ ለይቲ እዚኣ ሓደ ሰብ እኳ ምሳኻ ኸም
ዘይሓድር፡ ብእግዚኣብሄር እምሕል ኣሎኹ። ካብቲ ብንእስነትካ ጀሚሩ ኽሳዕ ሀጂ ዝመጸካ ኽፉእ
ድማ፡ እዚ ኪኸፍኣካ እዩ።[8] ሽዑ ንጉስ ተንሲኡ ኣብ ደገ ተቐመጠ። እንሆ፡ ንጉስ ኣብ ደገ ተቐሚጡ
ኣሎ፡ ኢሎም ንብዘሎ ህዝቢ ነገርዎ። ኲሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ናብ ቅድሚ ንጉስ መጸ። እስራኤል ግና፡
ነፍሲ ወከፍ ናናብ ድንኳኑ ሀዲሙ ነበረ።[9-10] ኣብ ኲሎም ነገዳት እስራኤል ብዘሎ እቲ ህዝቢ፡ እዚ
ንጉስ ካብ ኢድ ጸላእትና ኣውጽኣና፡ ካብ ኢድ ፍልስጥኤማውያን ኣድሓነና፡ ሕጂ ኸኣ ብሰሪ ኣቤሴሎም
ካብ ሃገር ሀዲሙ ኣሎ። እቲ ኣብ ልዕሌና ዝቐባእናዮ ኣቤሴሎም ድማ ኣብ ኲናት ሞይቱ። ሕጂ ኸኣ፡
ንምምላስ እቲ ንጉስ ስለምንታይ ስቕ እትብሉ፡ ኢሎም ተኻትዑ።[11] ንጉስ ዳዊት ድማ ነቶም ካህናት፡
ጻዶቅን ኣብያታርን፡ ከምዚ ኢሉ ለኣኸሎም፡ ንዓበይቲ ይሁዳ ኸምዚ ኢልኩም ተዛረብዎም፡ ዘረባ ኹሉ
እስራኤል ናብ ንጉስ ኣብ ቤቱ መጺኡ ኸሎስ፡ ስለምንታይከ ንስኻትኩም ንንጉስ ናብ ቤቱ ንምምላስ
ዳሕሮት ኰንኩም፡[12] ንስኻትኩም ኣሕዋተይ ኢኹም፡ ንስኻትኩም ዓጽመይን ስጋይን ኢኹም፡
ስለምንታይ ንምምላስ ንጉስ ዳሕሮት ኰንኩም፡[13] ንዓማሳውን ከምዚ በልዎ፡ ንስኻስ ዓጽመይን ስጋይን
ደይኰንካን፡ ንስኻ ኣብ ክንዲ ዮኣብ ንወርትግ ኣብ ቅድመይ መስፍን ሰራዊት እንተ ዘይኴንካ፡ ኣምላኽ

ከምዚ ይግበረኒ፡ ከምዚውን ይወስኸኒ። 14 ከም ልቢ ሓደ ሰብ ገይሩ ኸኣ ንልቢ ኹሎም ሰብ ይሁዳ
ናብኡ ተመለሱ፡ ኢሎም ለአኹ። 15 ሽዑ ንጉስ ተመሊሱ ናብ ዮርዳኖስ መጸ። ሰብ ይሁዳ ድማ ከይዶም
ንንጉስ ተቐቢሎም ዮርዳኖስ ኬሳግርዎ፡ ናብ ጊልጋል መጹ። 16 ሺምዒ፡ ወዲ ጌራ ብንያማዊ ብዓል
ባሑሪም፡ ድማ ምስ ሰብ ይሁዳ ኾይኑ ንንጉስ ዳዊት ኪቕበሎ ቐልጢፉ ወረደ። 17 ካብ ብንያም ከኣ
ሽሕ ሰብኣይ ምስኡ ነበሩ፡ ጺባ ግልያ ቤት ሳኦል ድማ፡ ዓሰርተው ሓሙሽተ ደቁን ዕስራ ገላዉኡን ከኣ
ምስኡ ነበሩ እሞ፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስውን ዮርዳኖስ ተሳገሩ። 18 ስድራ ንጉስ ዚሳገሩሉ፡ ዝደለዮውን
ኪገብረሉ ታንኳ ተሳገረ። ሺምዒ ወዲ ጌራ ኸኣ፡ ንጉስ ንዮርዳኖስ ኪሳገር ከሎ፡ ኣብ ቅድሚኡ ወደቐ።
19 ንንጉስ ድማ፡ ጐይታይ ነቲ ኣበሳ ኣይሕዘለይ፡ በታ ጐይታይ ንጉስ ካብ የሩሳሌም ዝመጸላ መዓልቲ
ጊልያኻ ዝበደሎ ኸኣ ኣይትዘክሮ፡ ንጉስ ኣብ ልቡ ደአ ኣየንብሮ። 20 ኣነ ኸም ዝበደልኩ፡ ጊልያኻ ፈሊጡ
እዩ እሞ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሎሚ ቕድሚ ኹላ ቤት ዮሴፍ ወሪደ፡ ጐይታይ ንጉስ ንምቕባል መጺእኩ፡ በሎ።
21 ኣቢሻይ ወዲ ጽሩያ ግና፡ ሺምዒ ንቕቡእ እግዚኣብሄር ረጊሙ እዩ እሞ፡ በዚ ኺመዉትዶ ኣይግብኦን
እዩ፡ ኢሉ መለሰ። 22 ዳዊት ድማ፡ ኣቱም ደቂ ጽሩያ፡ ሎሚዶ ኣብ እስራኤል ሰብኣይ ይመውት፡ ሎሚ
ኣብ እስራኤል ንጉስ ከም ዝኾንኩስ ኣይፈልጥን ድየ፡ ሎሚ ኣብ እስራኤል ንጉስ ከም ዝኾንኩስ
ኣይፈልጥን ድየ፡ ሎሚ ተጻረርቲ እተኾኑኒ፡ ምሳኻትኩም ዝገብሮኽ እንታይ ኣሎኒ፡ በለ። 23 ንጉስ ከኣ
ንሺምዒ፡ ኣይትመውትን ኢኻ፡ በሎ። ንጉስ ድማ መሐለሉ። 24 መፊቦሸት ወዲ ሳኦልን ንንጉስ ኪቕበሎ
ወሪዱ ነበረ። ንሱ ኻብታ ንጉስ ዝኸደላ መዓልቲ ኽሳዕ እታ ብሰላም ዝአተወላ መዓልቲ እግሩ
ኣየጽረየን፡ ጭሕሙ ድማ ኣይዘርገፈን ክዳኑውን ኣይሐጸበን ነበረ። 25 ንንጉስ ኪቕበሎ ናብ የሩሳሌም
ምስ መጸ ኸኣ፡ ንጉስ፡ ኣታ መፊቦሸት፡ ስለምንታይ ምሳይ ዘይከድካ፡ በሎ። 26 ንሱ ድማ በለ፡ ጐይታይ
ንጉስ፡ ጊልያኻ ሓንካስ እዩ እሞ፡ ኣድጊ ጽዒነስ ተወጢሐያ ምስ ንጉስ ክኸይድ፡ ኢሉ ነበረ፡ ግናኸ
ጊልያይ ኣታሊሉኒ። 27 ንሱ ድኣ ንጊልያኻ ኣብ ጐይታይ ንጉስ ነገር ሰርሓሉ። ጐይታይ ንጉስ ግና ከም
መልኣኽ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ባህ ዘበለካ ግበር። 28 ብዘላ ቤት ኣቦይሲ ኣብ ጐይታይ ንጉስ ብጀካ ሞት
ካልእ ኣይግብኣን ነበረ፡ ንስኻ ግና ንጊልያኻ ምስቶም ኣብ መኣድኻ ዚበልዑ ኣቐመጥካኒ። ድሕሪ
ደጊምከ እንታይ መሰል ኣሎኒ፡ ደጊምከ ኣብ ንጉስ እንታይ ኢለ ኽጠርዕ፡ 29 እቲ ንጉስ ከኣ፡ ንምንታይከ
ናይ ነገርካ መሊስካ እትዛረብ፡ እቲ ግራት ንስኻን ጺባን ተማቐልዎ ኢለ እየ፡ በለ። 30 መፊቦሸት ድማ
ንንጉስ፡ ጐይታይ ንጉስ ብደሓን ንቤቱ እንድሕሪ ተመልሰስ፡ ኵሉ እኳ ይውሰዶ፡ በሎ። 31 ባርዚላይ እቲ
ጊልዓዳዊ ኸኣ ካብ ሮግሊም ወሪዱ፡ ኽሳዕ ስግር ዮርዳኖስ ኬሰንዮ ኢሉ፡ ምስ ንጉስ ዮርዳኖስ ተሳገረ።
32 ባርዚላይ ድማ ወዲ ሰማንያ ዓመት ኰይኑ፡ እምብዛ ሸምጊሉ ነበረ። ንሱ ኣዝዩ ሃብታም ነበረ እሞ፡
ንንጉስ ኣብ መሓናይም ከሎ ይምግቦ ነበረ። 33 ንጉስ ከኣ ንባርዚላይ፡ ንስኻ ምሳይ ተሳገር እሞ፡ ኣብ
የሩሳሌም ምሳይ ክምግበካ እየ፡ በሎ። 34 ባርዚላይ ግና ንንጉስ በሎ፡ ምስ ንጉስ ናብ የሩሳሌም
ዝድይብሲ፡ ዓመታት ህይወተይ ክንደይ እየን፡ 35 ኣነ ሎሚ ወዲ ሰማንያ ዓመት ኣየ፡ ኣብ መንጎ ጽቡቕን
ክፉእን ክፈሊዶ እኽእል እየ፡ ጊልያኻስ ዝበልዖ ኾነ ዝሰትዮ ጣዕሙዶ እፈልጦ እየ፡ ገናዶ ድምጺ
ዚደርፉን ዚደርፋን እሰምዕ ኣልየ፡ ስለምንታይ ደኣ ደጊምከ ጊልያኻ ንጐይታይ ንጉስ ጾር ዝኾኖ፡ 36
ጊልያኻ ምስ ንጉስ ቅሩብ ግዳ ንዮርዳኖስ ክሳገር። ስለምንታይከ ንጉስ እዚ ውሬታ እዚ ዚመልሰለይ፡ 37
ኣብቲ መቓብር ኣቦይን ኣደይን ዘለዎ ኣብ ከተማይ ክመውት ጊልያኻ ኽምለስ እልምነካ ኣሎኹ።
ጊልያኻ ኪምሃም ግና፡ እንሆ፡ ምስ ጐይታይ ንጉስ ይሳገር፡ ንእኡ ባህ ዝበለካ ግበሮ። 38 ንጉስ ከኣ፡
እምበአርሲ ኪምሃም ምሳይ ይሳገር፡ ንእኡ ድማ ባህ ዜብለካ ኽገብረሉ እየ፡ ንኣኻውን ካባይ እትደልዮ
ዘበለ ኹሉ ኽገብረልካ እየ፡ በለ። 39 ብዘሎ ህዝቢ ከኣ ዮርዳኖስ ተሳገረ፡ ንጉስውን ተሳገረ። ንጉስ ድማ

ንባርዚላይ ስዒሙ መረቖ። ናብ ቦታኡ ድማ ተመልሰ፡ [40] ንጉስ ከኣ ናብ ጊልጋል ተሳገረ፡ ኪምሃምውን
ምስኡ ተሳገረ። ብዘለዉ ህዝቢ ይሁዳን ፈረቓ ህዝቢ እስራኤልን ኰይኖም ከኣ ንንጉስ ኣሳገርዎ። [41] እሆ
ድማ፡ ኲሎም ሰብ እስራኤል ናብ ንጉስ መጺኦም ንንጉስ፡ እዞም ኣሕዋትና ሰብ ይሁዳ ስለምንታይ
እዮም ዝሰረቑኻ፡ ንንጉስን ንስድራኡን፡ ንዅሎም ናይ ዳዊት ሰብውን ምስኡ፡ ዮርዳኖስ ኣሳገርዎም፡
በልዎ። [42] ኲሎም ሰብ ይሁዳ ኸኣ ንሰብ እስራኤል፡ ንጉስ ንኣና ስለ ዚቐርብ ኢና፡ ስለምንታይ ደኣ
ኢኹም በዚ ነገር እዚ እትኹርዩ፡ ካብ ንጉስዶ ገለ ብልዒ በሊዕና ኢና፡ ወይ ገለ ህያብዶ ሂቡና እዩ፡
ኢሎም መለሱሎም። [43] እቶም ሰብ እስራኤል ድማ ንሰብ ይሁዳ፡ ኣብ ንጉስ ዓሰርተ ኢድ ኣሎና፡ ኣብ
ዳዊትውን ካባኻትኩም ዝበለጸ መሰል ኣሎና፡ ስለምንታይከ ነዐቕኩምና፡ ንንጉስና ንምምላስ ቅድም
እተዛረብናስ ንሕናዶ ኣይኰናን፡ ኢሎም መለሱሎም። ግናኸ ካብ ዘረባ ሰብ እስራኤልሲ ዘረባ ሰብ
ይሁዳ ደኣ ረዘነ።

## ምዕራፍ 20

[1] ኣብኡ ኸኣ ሓደ ናይ ብልያል ሰብ፡ ሸባዕ ዝስሙ ወዲ ቢክሪ፡ ብንያማዊ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ኸኣ፡
ንሕና ኣብ ዳዊት ግደ የብልናን፡ ኣብ ወዲ እሴይውን ርስቲ የብልናን። ዎ እስራኤል፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ
ድንኳኑ ይመለስ፡ ኢሉ መለኸት ነፍሔ። [2] ኲሎም ሰብ እስራኤል ከኣ ንዳዊት ካብ ምስዓብ ተመሊሶም፡
ንሸባዕ ወዲ ቢክሪ ሰዐቡ። እቶም ሰብ ይሁዳ ግና ኣብ ንጉሶም ለጊቦም ካብ ዮርዳኖስ ክሳዕ የሩሳሌም
ሰዐብዎ። [3] ዳዊት ድማ ናብ የሩሳሌም ናብ ቤቱ መጸ። ሽዑ እቲ ንጉስ ነተን ቤት ኪሕልዋ ሓዲግወን
ዝነበረ ዓሰርተ ኣንስቲ ወሰኑ ወሰደን፡ ኪሕለዋ ኣብ ቤት ኣቐሚጡ ኸኣ፡ ይቕልበን ነበረ። ናባታተን ግና
ኣይኣተወን። ንሳተን መበለታት ኰይነን ክሳዕ መዓልቲ ሞተን ተዐጽየን ነበራ። [4] ንጉስ ድማ ንዓማሳ፡
ንሰብ ይሁዳ በዘን ሰለስተ መዓልቲ ኣኸትተለይ፡ ንስኻ ከኣ ኣብዚ ተረኸብ፡ በሎ። [5] ሽዑ ዓማሳ ንሰብ
ይሁዳ ኬኸትት ከደ፡ ግናኸ ካብቲ ዝመደቦ ጊዜ ደንጐየ። [6] ሽዑ ዳዊት ንኣቢሻይ፡ ሕጂ ሸባት ወዲ ቢክሪ
ኻብ ኣቤሴሎም ኪኸፍኣና እዩ፡ ዕሩዳት ከተማታት ከይረክብ እሞ፡ ካብ ዓይንና ኸይመልቑሲ፡ ንስኻ
ገላዉ ጐይታኻ ሒዝካ ስጐጎ፡ በሎ። [7] ሽዑ ናይ ዮኣብ ሰባትን እቶም ከረታውያንን ጵለታውያንን
ኲሎም ጀጋኑን ደድሕሪኡ ወጹ፡ ንሸባዕ ወዲ ቢክሪ ኺስጕዎ ኸኣ ካብ የሩሳሌም ወጹ። [8] ኣብቲ ኣብ
ጊብዖን ዘሎ ዓብዪ እምኒ ኸለዉ፡ ዓማሳ መጺኡ ተራከቦም። ዮኣብ ድማ ተኸዲንዎ ዝነበረ ቐምሹ
ተዐጥቀ፡ ብልዕሊኡ ኸኣ ኣብ ምሕኩልቱ ሴፍ ምስ ሰገባኡ ተኣኣጢቑ ነበረ። ንሱ ኪኸይድ ከሎ ድማ
እቲ ሴፍ ወደቐ። [9] ዮኣብ ድማ ንዓማሳ፡ ደሓንዶ ኣሎካ ሓወይ፡ ኢሉ፡ ኪስዕሞ ብየማነይቲ ኢድ
ጭሕሙ ሓጸ። [10] ዓማሳ ግና ነቲ ኣብ ኢድ ዮኣብ ዝነበረ ሴፍ ኣይተጠንቀቐሉን እሞ፡ ንሱ ብእኡ ገይሩ
ከብዱ ወግኦ፡ ኣምዑቱ ናብ ምድሪ ተዛሕዝሑ፡ ካልኣይ ከይወግኦ ኸኣ ሞተ፡ ዮኣብን ኣቢሻይን ሓዉን
ድማ ንሸባዕ ወዲ ቢክሪ ሰጐጕዎ፡ [11] ሓደ ሰብኣይ ካብ ገላዉ ዮኣብ ከኣ ኣብ ጥቓኡ ቘይሙ፡ ፈታው
ዮኣብ ዝኾነን ንዳዊት ኪኸውን ዝደለየን ደድሕሪ ዮኣብ ይስዓብ፡ ይብል ነበረ። [12] ዓማሳ ከኣ ኣብ
ማእከል መገዲ ኣብቲ ደሙ ጠንቀላዕላዕ ይብል ነበረ፡ እቲ ሰብኣይ ድማ ኵሉ እቲ ህዝቢ ደው ከም
ዝበለ ረአየ፡ ናብኡ ዝመጸ ዘበለ ደው ከም ዚብል ምስ ረአየ ኸኣ፡ ንዓማሳ ኻብ መገዲ ናብ ግራት
ኣግለሶ፡ ኣብ ልዕሊኡውን ክዳን ዘርግሓሉ። [13] ካብ መገዲ ምስ ኣልዐልዎ ግና፡ ንሸባዕ ወዲ ቢክሪ
ኺሰጕጉ ኲሉ ሰብ ደድሕሪ ዮኣብ ሓለፈ። [14] ንሱ ድማ ብዂሎም ነገዳት እስራኤል ገይሩ ናብ ኣቤልን
ቤትማዓካን ናብ ኲሎም በሪያውያን ሓለፈ። ንሳቶም ድማ ተኣኪቦም ደድሕሪኡ መጹ። [15] መጺኦም ከኣ

ኣብ ኣቤል ናይ ቤትማዓካ ኸበብዎ፡ ነታ ኸተማ ምስቲ መካበብያኣ ዚቐውም ድልድል ደልደሉላ። እቲ
ምስ ዮኣብ ዝነበረ ዅሉ ህዝቢ ድማ ነቲ መንደቕ ኬውድቖ የፍርሶ ነበረ። [16] ሽው ኻብታ ኸተማ ሓንቲ
ብልሂ ሰበይቲ፡ ስምዑ፡ ስምዑ፡ በጃኹም ንዮኣብ፡ ክዛረበካ ኽሳዕ ናብዚ ቕረብ፡ በሉለይ፡ ኢላ
ጨደረት። [17] ንሱ ኸኣ ናብኣ ቐረበ፡ እታ ሰበይቲ ድማ፡ ንስኻ ዲኻ ዮኣብ፡ በለት። ንሱ ኸኣ፡ ኣነ እየ፡
በለ። ንሳ ድማ፡ ዘረባ ገረድካ ስማዕ፡ በለቶ፡ ንሱ ኸኣ፡ እሰምዕ ኣሎኹ፡ በሎ። [18] ንሳ ድማ፡ ቀደም፡
ምኽሪ ኣብ ኣቤል ይጠይቑ፡ ይበሀል ነበረ፡ ከምኡ ኸኣ ተፈጸመ። [19] ኣነስ ኣብ እስራኤል ሰላማዊትን
እምንትን እየ፡ ንስኻኸ ነዛ ኣብ እስራኤል ከተማን ኣደይ ዝኾነት ከተፍርሳ ትደሊ ኣሎኻ። ስለምንታይ
ኢኻ ርስቲ እግዚኣብሄር እትውሕጥ ዘሎኻ ኢላ፡ ተዛረበት። [20] ዮኣብ ድማ፡ እቲ ምውሓጥን ምጥፋእንሲ
የርሕቐ፡ ካባይ የርሕቐ። [21] ነገሩ ኸምኡ ኣይኰነን፡ ሸባዕ ዝስሙ ሰብኣይ፡ ወዲ ቢክሪ ኻብ ከረን
ኤፍሬም፡ ኣብ ንጉስ፡ ኣብ ዳዊት ኢዱ ኣልዒሉ እዩ እሞ፡ ንእኡ ጠራይ ደኣ ሀቡኒ እምበር፡ ካብዛ ኸተማ
ክኸደልኩም፡ ኢሉ መለሰ። እታ ሰበይቲ ከኣ ንዮኣብ፡ እንሆ፡ ርእሱ ብመካበብያ ኽንድርብየልካ ኢና፡
በለት። [22] ሽው እታ ሰበይቲ ብብልህነታ ናብ ኲሉ ህዝቢ መጸት። ርእሲ ሸባእ ወዲ ቢክሪ ቈሪጾም ድማ
ንዮኣብ ደርበዩሉ። ንሱ ኸኣ መለኸት ነፍሔ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብታ ኸተማ ነናብ ድንኳኑ ፋሕ በለ።
ዮኣብ ድማ ናብ ንጉስ ናብ የሩሳሌም ተመልሰ። [23] ዮኣብ ድማ ሓለቓ ዅሉ ሰራዊት እስራኤል ነበረ፡
በናያ ወዲ የሆያዳ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ክረታውያንን ጵለታውያንን ነበረ። [24] ኣዶራም ድማ ዋና ግብሪ፡
ዮሳፋጥ ወዲ ኣሒሉድ ከኣ ትሓዝ ደብተር ነበረ። [25] ሽያእ ድማ ጸሓፊ ነበረ፡ ጻዶቅን ኣብያታርን ከኣ
ካህናት ነበሩ። [26] ዒራ ያኢራም ድማ ናይ ዳዊት ካህን ነበረ።

## ምዕራፍ 21

[1] ብዘበን ዳዊት ድማ፡ ዓመት ንዓመት፡ ሰለስተ ዓመት ጥሜት ኰነ። ዳዊት ከኣ ገጽ እግዚኣብሄር ደለየ።
እግዚኣብሄር ድማ፡ እዚ ብሰሪ ሳኦልን ብሰሪ እታ ደም ዘለዋ ቤቱን፡ ንጊብዖናውያን ስለ ዝቐተሎም እዩ፡
በለ። [2] ሽው ንጉስ ንጊብዖናውያን ጸዊዑ ተዛረቦም። እቶም ጊብዖናውያን ግና ካብቶም ካብ ኣሞራውያን
ዝተረፉ እዮም እምበር፡ ካብ ደቂ እስራኤልሲ ኣይኰኑን። እቶም ደቂ እስራኤል ደኣ ምሒሎምሎም
ነበሩ፡ ሳኦል ግና በቲ ብዛዕባ ደቂ እስራኤልን ይሁዳን ዝነበሮ ቕንእት፡ ኬጥፍኦም ደለየ። [3] ዳዊት ከኣ
ንጊብዖናውያን፡ ንርስቲ እግዚኣብሄር ክትምርቑስ፡ እንታይ ክገብረልኩም፡ ብምንታይከ ዕርቂ ክገብር
እየ፡ በሎም። [4] እቶም ጊብዖናውያን ድማ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ሳኦልን ቤቱን ነገር ብሩርን ወርቅን
የብልናን፡ ኣብ እስራኤልውን ሰብ ክንቀትል ኣይብኣናን፡ በልዎ። ንሱ ኸኣ፡ እቲ እትብልዎ ኽገብረልኩም
እየ፡ በሎም። [5] ንሳቶም ድማ ንንጉስ፡ እቲ ዝወድኣናን ኣብ ኲሉ ዶብ እስራኤል ከይንነብር፡ ምእንቲ
ኽንጸንት እተተንኰለልናን ሰብኣይ፡ [6] ኣብታ እግዚኣብሄር ዝሐረያ ጊብዓ ናይ ሳኦ ንእግዚኣብሄር
ክንሰቕለሉ፡ ካብ ደቁ ሾብዓተ ሰባት ይሀቡና፡ በልዎ። እቲ ንጉስ ከኣ፡ ኣነ ኽሀበኩም እየ፡ በለ። [7] እቲ
ንጉስ ግና ንመፊቦሸት፡ ወዲ ዮናታን ወዲ ሳኦል፡ ምእንቲ እቲ ኣብ መንጎኦም፡ ኣብ መንጎ ዳዊትን
ዮናታን ወዲ ሳኦልን ዝነበረ ማሕላ እግዚኣብሄር ኢሉ ነሐፎ። [8] ንጉስ ግና ነቶም ክልተ ደቂ ሪጽጳ ጓል
ኣያ ንሳኦል ዝወለደትሉ ኣርሞንን መፊቦሸትን፡ ነቶም ሓሙሽተ ደቂ ሚካል ጓል ሳኦል፡ ንዓድርኤል ወዲ
ባርዚላይ መሖላታዊ ዝወለደትሉ ኸኣ ወሰዶም፡ [9] ኣብ ኢድ ጊብዖናውያን ድማ ኣወፈዮም፡ ንሳቶም ከኣ
ኣብቲ ኸረን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሰቐልዎም፡ ሾብዓቲኦም ድማ ብሓንሳእ ወደቑ፡ በቲ ዓጺድ ስገም
ዚጅመረሉ ኸኣ፡ ብጊዜ ቐውዒ ሞቱ። [10] ሪጽጳ ጓል ኣያ ድማ ማቕ ወሲዳ ንርእሳ ኣብ ከውሒ ኣንጸፈት፡

ካብ መጀመርታ ቐውዒ፡ ካብ ሰማይ ዝናም ክሳዕ ዚዘንሞም ከኣ ብመዓልቲ ኣዕዋፍ ሰማይ፡ ብለይቲ
ድማ ኣራዊት መሮር ኪዐርፉሎም ኣይሐደገቶምን። 11 እቲ ሪጽጳ ጓል ኣያ፡ ሰበይቲ ወሰኑ ንሳኦል፡
ዝገበረቶ ኸኣ ንዳዊት ነገርዎ። 12 ዳዊት ድማ ከይዱ ኣዕጽምቲ ሳኦልን ኣዕጽምቲ ዮናታን ወዱን ካብ ሰብ
ያቤሽጊልዓድ ወሰደ። ንሳቶም ካብቲ ኣደባባይ ቤትሻን ሰሪቖምዎም ነበሩ፡ ኣብኡ ፍልስጥኤማውያን በታ
ንሳኦል ኣብ ጊልቦዓ ዝቐትሉላ መዓልቲ ሰቒሎምዎም ነበሩ። 13 ንሱ ኸኣ ካብኡ ኣዕጽምቲ ሳኦልን ኣጽምቲ
ዮናታን ወዱን ኣልዐለ፡ ኣዕጽምቲ እቶም ስቑላት ድማ ኣከቡ። 14 ነቲ ኣዕጽምቲ ሳኦልን ዮናታን ወዱን
ድማ ኣብ መቓብር ኣቦኡ ቂስ፡ ኣብ ምድሪ ብንያም፡ ኣብ ጼላዕ ቀበርዎ። እቲ ንጉስ ዝኣዘዞ ኹሉ ኸኣ
ገበሩ። ድሕሪ እዚ ድማ ኣምላኽ ነታ ሃገር ተለመና። 15 ፍልስጥኤማውያን ድማ ምስ እስራኤል ከም
ብሓድሽ ተዋግኡ። ዳዊትን ገላዉኡ ኸኣ ምስኡን ወሪዶም ምስ ፍልስጥኤማውያን ተዋግኡ። ዳዊት ድማ
ደኸመ። 16 ይሽቢብኖብ ከኣ፡ ንሱ ኻብ ወገን ራፋ፡ ሚዛን ኲናቱ ሰለስተ ሚእቲ ሲቃል ኣስራዚ፡ ሓድሽ
ሴፍ ድማ እተዐጥቀ ዝነበረ፡ ንሱ ንዳዊት ኪቐትሎ ሐሰበ። 17 ኣቢሻይ ወዲ ጽሩያ ግና ረድኦ፡ ነቲ
ፍልስጥኤማዊ ኸኣ ወቒዑ ቐተሎ። ሽዑ እቶም ገላዉ ዳዊት መብራህቲ እስራኤል ከይተተፍእሲ፡ ደጊም
ምሳና ናብ ውግእ ኣይትውጻእ፡ ኢሎም መሐሉሉ። 18 ኰነ ድማ፡ ድሕርዚ ኸም ብሓድሽ ምስ
ፍልስጥኤማውያን ኣብ ጎብ ውግእ ኰነ። ሽዑ ሲብካይ ሑሻታዊ ነቲ ኻብ ደቂ ራፋ ዝነበረ ሳፍ ቀተሎ።
19 ከም ብሓድሽ ከኣ ምስ ፍልስጥኤማውያን ኣብ ጎብ ውግእ ኰነ። ኤልሓናን ወዲ ያዓሬኦርጊም ብዓል
ቤትልሄም ድማ ነቲ ዛብያ ኲናቱ ኸንዲ ወንደረሽ ኣላማይ ዝነበረ ጐልያድ ብዓል ጋት ቀተሎ። 20 ከም
ብሓድሽ ድማ ኣብ ጋት ውግእ ኰነ። ኣብኡ ኸኣ ኣጻብዕ ኣእዳውን ኣጻብዕ ኣእጋርን ሸሹድሽተ፡ ቍጽሪ
ኹሉ ዕስራን ኣርባዕተን፡ ዘለዎ ነዊሕ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ድማ ካብ ራፋ እተወልደ እዩ። 21 ንሱ
ንእስራኤል ምስ ጸረፎ ድማ፡ ዮናታን፡ ወዲ ሺምዓ ሓው ዳዊት፡ ቀተሎ። 22 እዞም ኣርባዕተ እዚኣቶም
ኣብ ጋት ካብ ራፋ ተወልዱ፡ ብኢድ ዳዊትን ብኢድ ገላዉኡን ከኣ ወደቑ።

# ምዕራፍ 22

1 ዳዊት ድማ በታ እግዚኣብሄር ንእኡ ኻብ ኢድ ኲሎም ጸላእቱን ካብ ኢድ ሳኦልን ዘድሐነላ መዓልቲ
ንእግዚኣብሄር ቃላት እዚ መዝሙር እዚ ተዛረበ። 2 ከምዚ ኸኣ በለ። እግዚኣብሄር ከውሒይን እምባይን
መድሓንየይን እዩ 3 ኣምላኽ ተስፋ ዝገብሮ ኸውሒይ እዩ፡ ዋልታይን ቀርኒ ምድሓነይን፡ ግምበይን
መህደምየይን፡ ዎ መድሓንየይ፡ ካብ ዓመጻ ተድሕነኒ። 4 ነቲ ኺውደስ ዚግብኦ እግዚኣብሄር እጽውዖ
ኣሎኹ፡ ካብ ጸላእተይ ከኣ ክድሕን እየ። 5 ማዕበል ሞት ከቢቡኒ እዩ እሞ፡ ወሓይዝ ብልያል ኣፍርሃኒ። 6
ኣግማድ ሲኦል ከበበኒ፡ መፈንጠራታት ሞት መጸኒ። 7 ብጸበባይ ንእግዚኣብሄር ጸዋዕኩ፡ ናብ ኣምላኸይ
ከኣ ተማህለልኩ፡ ድምጸይ ድማ ካብ መቕደሱ ሰምዔ፡ ገዓረይውን ኣብ ኣእዛኑ በጽሔ። 8 ሽዑ ምድሪ
ተናቓነቐትን ኣንቀጥቀጠትን፡ መሰረታት ሰማይ ኣንደቕደቐ፡ ብኹራኡ ስለ ዝነደደ ኸኣ፡ ተናቓነቐ። 9
ካብ ኣፍንጫኡ ትኪ ተላዕለ፡ ካብ ኣፉ ድማ ዚባላዕ ሓዊ ወጸ፡ ካብኡ ጓህሪ ነደደ። 10 ሰማይ ኣድኒኑ ኸኣ
ወረደ፡ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩውን ጣቓ ነበረ። 11 ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ተወጢሑ ድማ ነፈረ፡ ኣብ ኣኽናፍ
ንፋስ ከኣ ተራእየ። 12 ነቲ ጸልማትን እኩብ ማያትን ከቢድ ደበናን፡ ኣብ ዙርያኡ ድንኳናት ገበሮ። 13
ካብቲ ነጸብራቕ ቅድሚኡ ጕሁር ሓዊ ነደደ። 14 እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ኣንጐድጐደ፡ እቲ ልዑልውን
ቃሉ ሀበ። 15 ፍላጻታት ወርዊሩ ኸኣ ፋሐ ኣበሎም፡ ኣብሪቐውን ኣሸበሮም። 16 ብተግሳጽ እግዚኣብሄር፡
ካብ ምንፋስ ትንፋስ ኣፍንጫኡ፡ መዓሙቕ ባሕሪ ተራእየ፡ መሰረታት ዓለምውን ተቓልዔ። 17 ካብ

ኣርያም ልኢኹ ወሰደኒ፡ ካብ ዓበይቲ ማያት ኣውጽኣኒ። 18 ካባይ ይሕይሉ ነበሩ እሞ፡ ካብቲ ሓያል
ጸላእየይ፡ ካብቶም ዝጸልኡኒ ኣድሐነኒ። 19 ብመዓልቲ መከራይ ሓደጋ ወደቑኒ፡ ግናኸ እግዚኣብሄር ደገፍ
ኰነኒ። 20 ናብ ርሒብ ኣውጽኣኒ፡ ብሂጉኒ እዩ ኣሞ፡ ኣድሓነኒ። 21 እግዚኣብሄር ከም ጽድቀይ ፈደየኒ፡
ከምቲ ጽርየት ኢደይ መለሰለይ። 22 መገድታት እግዚኣብሄር ሐልየ እየ እሞ፡ ካብ ኣምላኸይ ብበደል
ኣይረሐቕኩን። 23 ኲሉ ፍርድታቱ ኣብ ቅድመይ እዩ እሞ፡ ካብቲ ሕጋጋቱ ኣየግለስኩን። 24 ኣብ ቅድሚኡ
ምሉእ ኰንኩ፡ ካብ በደለይውን ተሐሎኹ። 25 ስለዚ እግዚኣብሄር ከም ጽድቀይ፡ ከምቲ ንጽህናይ ኣብ
ቅድሚ ዓይኑ መለሰለይ። 26 ምስቲ ሕያዋይ ትኸውን። ምስቲ ፍጹም ሰብ ፍጹም ትኸውን። 27 ምስቲ
ንጹህ ንጹህ ትኸውን፡ ምስቲ ጠዋይ ከኣ ትጠዊ። 28 ንጥቑዕ ህዝቢ ድማ ተድሕኖ ኢኻ፡ ነቶም ዕቡያት
ግና ከተዋርዶም፡ ኣዒንትኻ ናባታቶም እየን። 29 ንስኻ ዎ እግዚኣብሄር፡ መብራህተይ ኢኻ እሞ፡
ንጸልማተይ እግዚኣብሄር የብርሆ። 30 ብኣኻ ንጭፍራ ኸጒዮም እየ እሞ፡ ብኣምላኸይ፡ ንመንደቕ
እሰርር። 31 ኣምላኽ መገዱ ፍጽምቲ እያ፡ ቃል እግዚኣብሄር እተኈልዔ እዩ። ንሱ ተስፋ ንዚገብርዎ
ኲሎም ዋልታኦም እዩ። 32 ብጀካ እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ መን እዩ፡ ብጀካ ኣምላኽናኸ ኸውሒ መን
እዩ፡ 33 ኣምላኽ ጽኑዕ ዕርደይ እዩ፡ ነቲ ፍጹም ድማ ብመገዱ ይመርሖ። 34 እግረይ ከም ናይ እራብ ገበረ፡
ኣብ ልዕሊ በረኸተይ ድማ ኣቑመኒ። 35 ነእዳወይ ውግእ፡ ንቕላጽመይ ከኣ ቀስቲ ኣስራዚ ምግታር
መሀረ። 36 ዋልታ ምድሓንካ ድማ ሀብካኒ። ምውራድካውን ኣዕበየኒ። 37 ኣብ ትሕተይ ስጓሞይ ኣግፋሕካ፡
ኣእጋረይ ከኣ ኣየንደልሀጸን። 38 ንጸላእተይ ድማ ሰጒጐ ኣጥፋእክዎም፡ ክሳዕ ዝውድኦም ከኣ
ኣይተመለስኩን። 39 ከም ዘይትንስኡ ገይረ ድማ ወጊኤ ወዳእክዎም፡ ኣብ ትሕቲ እግረይውን ወደቑ። 40
ንውግእ ከኣ ሓይሊ ኣዕጠቕካኒ፡ ነቶም እተቓወሙኒ ኣብ ትሕተይ ኣድነንካዮም። 41 ዝባን ጸላእተይ ድማ
መለስካለይ፡ ነቶም ዚጸልኡኒ ኸኣ ኣጽነትክዎም። 42 ጠመቱ፡ ዜድሕን ግና ኣይነበረን። ናብ እግዚኣብሄር፡
ንሱ ግና ኣይመለሰሎምን። 43 ሓመድ ምድሪ ኽሳዕ ዚኾኑ ድማ ደቘስክዎም፡ ከም ጭቃ ኣደባባይ ረጊጸ
ሰገድክዎም። 44 ካብ ባእሲ ህዝበይ ኣድሐንካኒ፡ ርእሲ ህዝብታት ክኸውን ሐሎኻኒ፡ ዘይፈለጥክዎ ህዝቢ
ተገዝኣኒ። 45 ደቂ ጓና ድማ ይግዝኡኒ፡ ብእዝኖም ሰሚዖም ይእዘዙኒ። 46 እቶም ደቂ ጓና ወለል ይብሎም፡
ካብቲ እተዐጽዉሉ ስፍራታት እናንቀጥቀጡ ይወጹ። 47 እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ እቲ ኸውሐይ ከኣ
ይባረኽ። እቲ እምባ ምድሓነይ ዝኾነ ኣምላኽ ከብ ይበል፡ 48 እቲ ሕነይ ዝፈደየለይ ኣምላኽ፡
ንህዝብታትውን ኣብ ትሕተይ ዜውድቖም፡ 49 ካብ ጸላእተይ ድማ ዜውጽኣኒ፡ ናብ ልዕሊ እቶም
ተቓወምተይውን ክብ ተብለኒ፡ ካብ ዓማጺ ሰብ ተድሕነኒ። 50 ስለዚ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣብ ማእከል
ህዝብታት ኤመስግነካ፡ ንስምካውን እዝምር ኣሎኹ። 51 ንንጉስ ዓብዪ ምድሓን ይህብ፡ ንቕቡኡ ድማ፡
ንዳዊትን ንዘርኡን፡ ንዘለኣለም ሞገስ ይህብ።

## ምዕራፍ 23

1 መወዳእታ ዘረባ ዳዊት ድማ እዚ እዩ፡ ዳዊት ወዲ እሴይ ይብል፡ እቲ ኽብ ኣቢሉ ዘቘሞ ሰብኣይ፡ እቲ
ቕቡእ ኣምላኽ ያእቆብ፡ እቲ ናይ እስራኤል ጥዑም ዘማሪ ይብል፡ 2 መንፈስ እግዚኣብሄር ብኣይ ተዛረብ፡
ቃሉ ኸኣ ኣብ ልሳነይ ነበረ። 3 ኣምላኽ እስራኤል በለ፡ ከውሒ እስራኤል ተዛረበኒ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ሰብ
ብጽድቂ ዚነግስ፡ እቲ ብፍርሃት ኣምላኽ ዚነግስ፡ 4 ንሱ ኸምቲ ደበና ዜብሉ ብጊሓት ጸሓይ እትበርቀሉ
ጊዜ፡ እቲ ብድሕሪ ዝናም ብነጸብራቑ ኻብ ምድሪ ሳዕሪ ዜብቍለሉ፡ ከም ብርሃን ወጋሕታ እዩ። 5
ቤተይሲ ምስ ኣምላኽ ከምኡ ደይኰነን፡ ግናኸ ብኹሉ እተሰርዔን እተሐለወን ኪዳን ዘለኣለም

እቑሙለይይ እዩ እሞ፡ ኲሉ ምድሓነይ ኲሉ ባህገይንከ ኣየብቍለለይ ድዩ፡ 6 እቶም ደቂ ብልያል
ኵሎም ግና ከምቲ ብኢድ ዘይትሕዝ እሞ፡ ከም ዚድርበ እሾኹ እዮም። 7 እቲ ዚትንክዮም ሰብ ግና
ሓጺንን ዛብያ ኹናትን ይሕዝ፡ ኣብታ ቦታኦም ድማ ብሓዊ ፈጺሞም ይነዱ። 8 ስም ጀጋኑ ዳዊት ከኣ
እዚ እዩ፡ ዮሼብባሸቤት ታሕክሞናዊ፡ ርእሲ እቶም ሓላቓ፡ ንሱ ዓዲኖ እቲ ዔዝናዊ ኹናት ኣልዒሉ
ብሓንሳእ ሾሞንተ ሚእቲ ዝቐተለ እዩ። 9 ብድሕሪኡ ኸኣ ኣልኣዛር ወዲ ዶዶ፡ ወዲ ሓደ ኣሖሓዊ፡ ንሱ
ኻብቶም ምስ ዳዊት ዝነበሩ ሰለስተ ጀጋኑ እየ፡ ንሳቶም ነቶም ኪዋግኡ ኣብኡ እተኣከቡ
ፍልስጥኤማውያን ምስ ኣላገጹሎም፡ እቶም ሰብ እስራኤል ድማ ምስ ኣድሓርሐሩ፡ 10 ንሱ ግና ተንሲኡ
ኢዱ ኽሳዕ እትድንዝዝ፡ ኢዱ ኣብታ ሴፍ ክሳዕ እትለግብ ድማ ንፍልስጥኤማውያን ቀተሎም።
እግዚኣብሄር ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ዓብዪ ምድሓን ገበረ። እቶም ህዝቢ ድማ ኪገፉ ጥራይ ደድሕሪኡ
ተመልሱ። 11 ፍልስጥኤማውያን ድማ ጨፊሮም ኣብ ሓንቲ ብርስን ዝመልኤት ግራት ተኣከቡ። እቲ
ህዝቢ ኸኣ ካብ ቅድሚ ፍልስጥኤማውያን ሀደመ። 12 ንሱ ግና ኣብ ማእከል እታ ግራት ቌይሙ ኣድሓና፡
ንፍልስጥኤማውያን ከኣ ሰዐሮም። እግዚኣብሄር ድማ ዓብዪ ምድሓን ገበረ። 13 ካብቶም ሰላሳ ሓላቓ
ድማ ሰለስተ ወሪዶም፡ ብጊዜ ዓጺድ ናብ ዳዊት ናብ በዓቲ ኣዱላም መጹ። እቲ ጭፍራ
ፍልስጥኤማውያን ከኣ ኣብ ለሰ ረፋይም ሰፈሩ ነበረ። 14 ሽዑ ዳዊት ኣብ ዕርዲ ነበረ፡ ዘብዔኛታት
ፍልስጥኤማያን ከኣ ሽዑ ኣብ ቤትልሄም ነበሩ። 15 ዳዊት ድማ፡ ካብቲ ኣብ ጥቓ ደገ ቤትልሄም ዘሎ ዔላ
መን ኰን ማይ የስትየኒ፡ ኢሉ ተመነየ። 16 ሽዑ እቶም ሰለስተ ጀጋኑ ነቲ ሰፈር ፍልስጥኤማውያን
ጥሒሶም ካብቲ ኣብ ጥቓ ደገ ዘሎ ዔላ ቤትልሄም ማይ ቀዲሖም ጾይሮም ንዳዊት ኣምጽኡሉ። ዳዊት
ግና ንእግዚኣብሄር ከዐዎ እምበር፡ ኪሰትዮስ ኣይፈተወን። 17 ንሱ፡ ደም እዞም ህይወቶም ቀቢጾም ዝኸዱ
ሰባትዶ ኽሰቲ እየ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ እዝ ምግባርሲ ኻባይ ይርሐቕ፡ በለ። ምስታዩ ኸኣ ኣይፈተወን።
እቶም ሰለስተ ጀጋኑ እዚ ነገር እዚ ገበሩ። 18 ኣቢሻይ ሓው ዮኣብ ወዲ ጽሩያ ኸኣ፡ ንሱ ነቶም ሰለስተ
ሓለቓኦም ነበረ። ንሱ ድማ ኲናቱ ኣልዒሉ ንሰለስተ ኸኣ ስሙይ ነበረ፡ 19 ካብቶም ሰለስተስ ዝኸበረዶ
ኣይነበረን፡ ስለዚ ሓለቓኦም ኰነ፡ ክሳዕ ማዕረ እቶም ሰለስተ ቐዳሞት ግና ኣይበጽሔን። 20 በናያ ወዲ
የሆያዳ ኸኣ፡ ወዲ ሓደ ጅግና ሰብኣይ ብዓል ቀብጽኤል፡ ዓብዪ ነገር ዝገበረ፡ ንሱ ነቶም ክልተ ደቂ
ኣሪኤል ሰብ ሞኣብ ቀተሎም፡ ንሱ ድማ ብጊዜ በረድ ናብ ውሽጢ ጕድጓድ ወሪዱ ኣንበሳ ቐተለ። 21
ንሱ ኸኣ ንሓደ ምርኡይ ግብጻዊ ሰብኣይ ቀተለ። ኣብ ኢድ እቲ ግብጻዊ ሰብኣይ ቀተለ። ኣብ ኢድ እቲ
ግብጻዊ ድማ ኲናት ነበረ፡ ንሱ ግና በትሪ ሒዙ ናብኡ ወረደ፡ ነቲ ኹናት ከኣ ካብ ኢድ እቲ ግብጻዊ
መንዚዑ፡ ብገዛእ ኲናቱ ቐተሎ። ሰብኣይ ቀተለ። 22 በናያ ወዲ የሆያዳ እዚ ነገር እዚ ገይሩ ነበረ እሞ፡
ኣብ መንጎ እቶም ሰለስተ ጀጋኑ ስሙይ ነበረ። 23 ካብቶም ሰላሳ ይኸብር ነበረ፡ ናብቶም ሰለስተ ቐዳሞት
ግና ኣይበጽሔን። ዳዊት ከኣ መማኸርቱ ገበሮ። 24 ዓሳሄል ሓው ዮኣብ ካብቶም ሰላሳ ሓደ እዩ፡
ኤልሓናን፡ ወዲ ዶዶ ኻብ ቤትልሄም፡ 25 ሻማ እቲ ሓሮዳዊ፡ ኤሊቃ እቲ ሓሮዳዊ፡ 26 ሔለጽ እቲ
ጳልጣዊ፡ ዒራ፡ ወዲ ዒቄሽ እቲ ተቆዓዊ፡ 27 ኣቢዔዘር እቲ ዓናቶታዊ፡ ሜቡናይ እቲ ሑሻታዊ፡ 28
ጻልሞን እቲ ኣሖሓዊ፡ መሓራይ እቲ ነጦፋታዊ፡ 29 ሔለብ፡ ወዲ ባዓና እቲ ነጦፋታዊ፡ ኢታይ፡ ወዲ ሪባ
ኻብ ጊብዓ ናይ ደቂ ብንያም። 30 በናያሓደ ጲርዓቶናዊ፡ ሂዳይ ካብ ርባታት ጋዓሽ፡ 31 ኣቢዓልቦን እቲ
ዓርባታዊ፡ ዓዝማወት እቲ ባርሑማዊ፡ 32 ኤልያሕባ እቲ ሻዓልቦናዊ፡ ብኔያሸን፡ ዮናታን፡ 33 ሻማ እቲ
ሃራራዊ፡ ኣሒያም፡ ወዲ ሻራር እቲ ሃራራዊ፡ 34 ኤሊ ፈለጥ፡ ወዲ ኣሒቶፌል እቲ ጌሎናዊ፡ 35 ሔጽራይ
እቲ ቀርሜሎሳዊ፡ ጳዓራይ እቲ ኣርባዊ፡ 36 ዩጋል፡ ወዲ ናታን ካብ ጾባ፡ ባኒ እቲ ጋዳዊ፡ 37 ጸለቅ እቲ
ዓሞናዊ፡ ናሓራይ እቲ ብኤሮታዊ፡ ጋሻ ዛግረ ዮኣብ ወዲ ጽሩያ፡ 38 ዒራ ዩትራዊ፡ ጋሬብ ዩትራዊ፡ 39

ኡርያ እቲ ሔታዊ፡ ኲላቶም ሰላሳን ሾብዓተን እዮም።

# ምዕራፍ 24

1 ኲራ እግዚኣብሄር ድማ መሊሱ ኣብ እስራኤል ነደደ። ንዳዊት ከኣ፡ ኪድ ንእስራኤልን ንይሁዳን
ቊጸሮም፡ ኢሉ ነቕነቖ። 2 ንጉስ ከኣ ንዮኣብ፡ ነቲ ምስኡ ዝነበረ ሓለቓ ሰራዊት፡ ቊጽሪ እቲ ህዝቢ
ምእንቲ ኽፈልጥሲ፡ ናብ ኲሎም ነገዳት እስራኤል ካብ ዳን ክሳዕ ብኤርሸባዕ ዜርካ ነቲ ህዝቢ ቍጸሮ፡
በሎ። 3 ዮኣብ ድማ ንንጉስ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኽምቲ ዘለዎ ይወስኮ፡ ከምቲ ዘለዎ
ኽኣ ሚእቲ ሳዕ የብዝሓዮ፡ ኣዒንቲ ጐይታይ ንጉስ ድማ ይርኣዮ። ግናኸ ጐይታይ ንጉስ ነዚ ነገር እዚ
ስለምንታይ ደለዮ በሎ። 4 እቲ ቓል ንጉስ ግና ኣብ ዮኣብን ኣብቶም ሓላቑ ሰራዊትን ጸንዔ። ዮኣብን
እቶም ሓላቑ ሰራዊትን ከኣ ንህዝቢ እስራኤል ኪቚጽሩ ኻብ ቅድሚ ንጉስ ወጹ። 5 ዮርዳኖስ ተሳጊሮም
ድማ፡ ኣብ ዓሮዔር፡ ኣብ የማን እታ ኣብ ማእከል ርባ ጋድ ዘላ ኸተማ፡ ንያዕዜር ኣቢሎም ሰፈሩ። 6 ናብ
ጊልዓድ መጺኦም ድማ ናብ ምድሪ ታሕቲምሖድሺ አተዉ፡ ናብ ዳንያዓን መጺኦም ከኣ፡ ናብ ዙርያ
ሲዶን ኣበሉ። 7 ናብ ዕርዲ ጢሮስን ናብ ኲለን ከተማታት ሃዋውያንን ከነኣናውያንን መጹ፡ ናብ ደቡብ
ይሁዳ ኣብ ብኤርሸባዕ ወጹ። 8 ንብሃገራ ዞይሮም ድሕሪ ትሽዓተ ወርሕን ዕስራ መዓልትን ናብ የሩሳሌም
መጹ። 9 ዮኣብ ድማ ጽሕፈት እቲ እተቚጽረ ህዝቢ ንንጉስ ሀቦ። እምበእርሲ ኣብ እስራኤል ሴፍ ዚመዙ
ሓያላት ሰብ ሾሞንተ ሚእቲ ሽሕ ኰኑ፡ ሰብ ይሁዳ ኸኣ ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ ኰነ። 10 ዳዊት ነቲ ህዝቢ
ምስ ቈጸሮ ግና፡ ልቡ ወቐጾ። ዳዊት ድማ ንእግዚኣብሄር፡ በዚ ዝገበርክዎ ብዙሕ በዲለ እየ፡ ብዙሕ ከኣ
ዕሽየ እየ እሞ፡ ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ በጃኻ፡ ነቲ ኣበሳ ባርያኻ ኣርሕቆ፡ በሎ። 11 ዳዊት ንጉስ ምስ
ተንስኤ ኸኣ፡ ቃል እግዚኣብሄር ናብ ነብዩ ጋድ፡ ናብቲ ናይ ዳዊት ረአዩ መጺኡ በሎ፡ 12 ኪድ ንዳዊት፡
እግዚኣብሄር፡ ሰለስተ ነገር ኤንብረልካ ኣሎኹ፡ ካብኤን ንኣኻ ሓንቲ ሕረ፡ ክገብረልካ ኸኣ እየ፡ ይብል
ኣሎ ኢልካ ተዛረቦ። 13 ጋድ ድማ ናብ ዳዊት መጺኡ፡ ኣብ ሃገርካ ሾብዓተ ዓመት ጥሜት ኪመጸካዶ፡
ወይ ሰለስተ ወርሒ ኻብ ቅድሚ ጸላእትኻ ኽትሀድም፡ ንሳቶም ከኣ ኪሰጉኻዶ፡ ወይስ ኣብ ሃገርካ
ሰለስተ መዓልቲ ፌራ ኪከውንዶ፡ ሕጂ ነቲ ዝለኣኸኒ እንታይ ከም ዝመልሰሉ፡ ኣስተውዒልካ ርኤ፡ ኢሉ
ነገሮ። 14 ዳዊት ንጋድ፡ ኣዝዩ ጨኒቑኒ ኣሎ፡ ግናኸ ምሕረቱ ብዙሕ እዩ እሞ፡ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ደአ
ንወድቕ እምበር፡ ኣብ ኢድ ሰብሲ ኣይወድቕን፡ በሎ። 15 ሽዑ እግዚኣብሄር ካብ ንግሆ ጀሚሩ ኽሳዕ እታ
ምድብቲ ጊዜ ናብ እስራኤል ፌራ ሰደደ። ካብቲ ህዝቢ ኸኣ፡ ካብ ዳን ክሳዕ ብኤር ሸባዕ፡ ሰብዓ ሽሕ
ሰብ ሞተ። 16 እቲ መላክ ንየሩሳሌም ኬጥፍኣ ኢሉ ኢዱ ምስ ዘርግሔ ድማ፡ እግዚኣብሄር በቲ ኽፉእ
ተጣዕሰ፡ ነቲ ህዝቢ ዜጥፍእ መልኣኽ ከኣ፡ ይኣክል፡ ሕጅስ ኢድካ ምለሳ፡ በሎ። እቲ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ጥቓ ዓውዲ ኣራውና እቲ ይቡሳዊ ነበረ። 17 ዳዊት ድማ ነቲ ንህዝቢ ዚወቅዕ
ዝነበረ መልኣኽ ምስ ረአዮ፡ ንእግዚኣብሄር በሎ፡ እንሆ፡ ኣነ እየ ዝበደልኩ፡ ኣነ ኸኣ እየ ኽፉእ
ዝገበርኩ፡ እዘን ኣባጊዕ ግና እንታይ ገበራ በጃኻ፡ ኢድካ ናባይን ናብ ቤት ቦይን ትኹን፡ በለ። 18 በታ
መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ጋድ ናብ ዳዊት መጺኡ፡ ደይብ፡ ኣብ ዓውዲ ኣራውና እቲ ይቡሳዊ፡ ንእግዚኣብሄር
መሰውኢ ኣቚም፡ በሎ። 19 ዳዊት ድማ ከምቲ ዘረባ ጋድ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ደየበ። 20 ኣራውና
ኸኣ ቍሊሕ በለ፡ ንጉስን ገላዉኡን ድማ ናብኡ ኺመጹ ረአየ። ኣራውና ኸኣ ወጺኡ ብገጹ ናብ ምድሪ
ፍግም ኢሉ ንንጉስ ኢድ ነስአሉ። 21 ኣራውና ድማ፡ ስለምንታይ እዩ ጐይታይ ንጉስ ናብ ጊልያኡ መጺኡ
ዘሎ፡ በለ። ዳዊት ከኣ፡ እዚ መቕዘፍቲ ኻብ ህዝቢ ምእንቲ ኺኽልክል፡ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ

ኽሰርሓሉ፡ ነዚ ዓውዲ ኻባኻ ኽሻየጥ እየ፡ በለ። [22] ኣራውና ድማ ንዳዊት፡ ጐይታይ ንጉስ እቲ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእዮ ወሲዱ የዕርግ፡ ንዚሐርር መስዋእቲ ኣብዑር፡ ንዕጨይቲ ኸኣ ሰረገላታትን ናውቲ ማሕረስ ኣብዑርን እነዉ፡ [23] ዎ ንጉስ፡ እዚ ዅሉ ኣራውና ንንጉስ ሂብዎ እዩ፡ በለ። ኣራውና ድማ ንንጉስ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ደአ ይቀበልካ፡ በሎ። [24] ንጉስ ግና ንኣራውና፡ ኣይፋል፡ ዋጋ ዜብሉስ ንእግዚኣብሄር ኣምላኸይ ዚሐርር መስዋእቲ ኣየዕርገሉን እየ እሞ፡ ብዋጋኡ ደአ ኻባኻ ኽሻየጦ እደሊ ኣሎኹ፡ በሎ። ዳዊት ድማ ነታ ዓውድን ነቶም ኣብዑርን ብሓምሳ ሲቃል ብሩር ዐደጎም። [25] ዳዊት ከኣ ኣብኡ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ነደቐ፡ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣዕረገሉ። እግዚኣብሄር ድማ ነታ ሃገር ተለመና፡ እቲ መቕዘፍቲ ኸኣ ካብ እስራኤል ተኸልከለ።

# 1ይ መጽሓፍ ነገስት

## ምዕራፍ 1

1 ንጉስ ዳዊት ድማ ዕለቱ ዝሓለፈ ኣረጊት ኰነ። ክዳውንቲ ኸኣ ደረቡሉ፡ ግናኸ ኣይሞቐን። 2 ስለዚ
እቶም ገላዉኡ፡ ንጐይታና ንጉስ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቈይማ እትኣልዩ፡ ጐይታይ ንጉስ ምእንቲ ኺመውቕ
ከኣ ኣብ ሕቑፍኻ እትድቅስ ድንግል ጓል ይድለዩሉ፡ በልዎ። 3 ሽዑ ኣብ ብዘላ ምድሪ እስራኤል
መልክዔኛ ጓል ደለዩ እሞ፡ ንኣቢሳግ ሱናማዊት ረኸቡ፡ ንእኣ ድማ ናብ ንጉስ ኣምጽእዋ። 4 ንሳ ኣዝያ
መልክዔኛ ነበረት፡ ንንጉስ ከኣ ትኣልዮን ተገልግሎን ነበረት፡ ንጉስ ግና ኣይፈለጣን። 5 ሽዑ ኣዶንያ ወዲ
ሓጊት፡ ኣነ ኽነግስ እየ፡ ኢሉ ተላዕለ። ሰረገላታትን ፈረሰኛታትን ቀቅድሚኡ ዚጐዩ ሓምሳ ሰብኣይን ከኣ
ገበረ። 6 ኣቦኡ ድማ ብዘሎ ዘመኑ፡ ስለምንታይ ኢኻ ኸምዚ እትገብር ዘሎኻ፡ ኢሉ ኣየጕሀዮን። ንሱ ኸኣ
ትርኢቱ ኣዝዩ ጽቡቕ ነበረ፡ ንእኡ ድማ ድሕሪ ኣቤሴሎም እያ ዝወለደቶ። 7 ነገሩ ኸኣ ምስ ዮኣብ ወዲ
ጽሩያን ምስ ካህን ኣብያታርን ነበረ፡ ንሳቶም ድማ ንኣዶንያ ስዒቦም ደገፍዎ። 8 ካህን ጻዶቅን በናያ ወዲ
የሆያዳን ነብዩ ናታንን ሺምዒን ረዒይን እቶም ጀጋኑ ዳዊትን ግና ምስ ኣዶንያ ኣይኰኑን። 9 ኣዶንያ ድማ
ኣብቲ ኣብ ጥቓ ዔንሮጌል ዘሎ እምኒ ዞሔለት ኣባጊዕን ኣሓን ስቡሓት ኣባትይን ሐረደ። ንዅሎም
ኣሕዋቱ ደቂ ንጉስን ንዅሎም ገላዉ ንጉስ ዘበሉ ሰብ ይሁዳን ከኣ ጸውዖም። 10 ንነብዩ ናታንን ንበናያን
ነቶም ጀጋኑን ንሰሎሞን ሓዉን ግና ኣይጸውዖምን። 11 ሽዑ ናታን ንባትሴባ ኣደ ሰሎሞን፡ ጐይታና ንጉስ
ከይፈለጠ፡ ኣዶንያ ወዲ ሓጊት ከም ዝነገሰዶ ኣይሰማዕክን ኢኺ፡ በላ። 12 ሕጂ ድማ ንነፍስኽን ነፍሲ
ሰሎሞን ወድኽን ከተድሕንስ፡ በጃኺ ንዒ ምኽሪ ኽመኽረኪ። 13 ኬድኪ ናብ ንጉስ ዳዊት ኣቲኺ፡ ዎ
ጐይታይ ንጉስ፡ ንስኻ ንገረድካ፡ ብድሕረይ ወድኺ ሰሎሞን ኪነግስ እዩ፡ ንሱ ድማ ኣብ ዝፋነይ
ኪቕመጥ እዩ፡ ኢልካዶ ምሒልካለይ ኣይነበርካን፡ ስለምንታይ ደኣ ኣዶንያ ነገሰ፡በልዮ። 14 እንሆ፡ ገና
ንስኺ ኣብኡ ምስ ንጉስ ክትዛረቢ ኸሎኺ፡ ኣነ ኸኣ ብድሕሬኺ ኣትየ ዘረባኺ ኽምልኣልኪ እየ፡ በላ። 15
ባትሴባ ከኣ ናብ ንጉስ ኣብቲ ሕልፍኚ ኣተወት። እቲ ንጉስ ድማ ኣዝዩ ኣሪጉ ነበረ፡ ኣቢሳግ እታ
ሱናማዊት ከኣ ነቲ ንጉስ ተገልግሎ ነበረት። 16 ባትሴባ ድማ ድንን ኢላ ንንጉስ ኢድ ነስኣትሉ። እቲ ንጉስ
ከኣ፡ እንታይ ደሊኺ ኢኺ፡ በላ። 17 ንሳ ድማ በለቶ፡ ጐይታይ፡ ንስኻ፡ ብድሕረይ ወድኺ ሰሎሞን
ኪነግስ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ዝፋነይ ኪቕመጥ እዩ ኢልካ፡ ንገረድካ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ምሒልካለይ
ነበርካ። 18 ሕጂ ድማ፡ እንሆ፡ ኣዶንያ ነጊሱ፡ ንስኻ ጐይታይ ንጉስ ከኣ ኣይፈለጥካዮን። 19 ንሱ ድማ
ኣብዑርን ስቡሓት ኣባትይን ብዙሓት ኣባጊዕን ሐሪዱስ፡ ንዅሎም ደቂ ንጉስን ንኻህን ኣብያታርን
ንዮኣብ ሓለቓ ሰራዊትን ከኣ ጸዊዕዎም ኣሎ። ንሰሎሞን ጊልያኻ ግና ኣይጸውዖን። 20 ሕጂ ኸኣ፡ ጐይታይ
ንጉስ ዚቕመጥ ክትነግሮም፡ ኣዒንቲ ኹሎም እስራኤል ናባካ ይጥምታ ኣለዋ፡ 21 እተን ዘይኰነስ፡
ጐይታይ ንጉስ ምስ ኣቦታቱ ምስ ዐረፈ፡ ኣነን ሰሎሞን ወደይን ከም ዓመጽቲ ኽንከውን ኢና። 22 እንሆ
ድማ፡ ገና ምስ ንጉስ ክትዛረብ ከላ፡ ነብዩ ናታን ኣተወ። 23 ንንጉስ ከኣ፡ እንሆ ነብዩ ናታን፡ ኢሎም
ነገርዎ። ናብ ቅድሚ ንጉስ ምስ ኣተወ ድማ፡ ብገጹ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ንንጉስ ኢድ ነስኣሉ። 24 ናታን
ድማ በለ፡ ዎ ጐይታይ ንጉስ፡ ንስኻ፡ ብድሕረይ ኣዶንያ ይንገስ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ዝፋነይ ይቀመጥዶ ኢልካ
ኢኻ፡ 25 ንሱስ ሎሚ ወሪዱ፡ ኣብዑርን ስቡሓት ኣባትይን ብዙሓት ኣባጊዕን ሐሪዱ፡ ንዅሎም ደቂ
ንጉስን ንሓላቑ ሰራዊትን ንኻህን ኣብ ያታርን ጸዊዕዎም፡ እነዉ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚኡ ይበልዑን ይሰትዩን፡

ንጉስ ኣዶንያ ህያው ይኹን፡ ድማ ይብሉ ኣለዉ። [26] ንኣይ ጊልያኻን ንኻህን ጻዶቅን ንበናያ ወዲ የሆያዳን
ንጊልያኻ ሰሎሞንን ግና ኣይጸውዓናን። [27] ብድሕሬኻ ኣብ ዝፋን ጐይታይ ንጉስ መን ከም ዚቕመጥ
ንጊልያኻ ኸይነገርካንስ፡ እዚ ነገር እዚዶ ኻብ ጐይታይ ንጉስ ኰይኑ እዩ፡ [28] ሽዑ ንጉስ ዳዊት መሉሱ፡
ንባትሴባ ጸውዑለይ፡ በለ። ንሳ ኸኣ ናብ ቅድሚ ንጉስ ኣተወት፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስውን ደው በለት። [29]
እቲ ንጉስ ድማ ከምዚ ኢሉ መሓለ፡ እቲ ንነፍሰይ ካብ ኩሉ ጸበባ ዘድሓነ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ [30]
ከምቲ፡ ሰሎሞን ወድኺ ብድሕረይ ኪነግስ፡ ንሱ ድማ ኣብ ክንዳይ ኣብ ዝፋነይ ኪቕመጥ እዩ፡ ኢለ
ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ዝመሓልኩልኪ፡ ሎሚ መዓልቲ ኸምኡ ኽገብር እየ። [31] ሽዑ ባትሴባ
ድንን ኢላ ብገጻ ናብ ምድሪ ተደፊኣ ንንጉስ ኢድ ነሲኣ፡ ጐይታይ ንጉስ ዳዊት ንዘለኣለም ህያው ይኹን፡
በለት። [32] ንጉስ ዳዊት ድማ፡ ንኻህን ጻዶቅን ንነብዩ ናታንን ንባናያ የሆያዳን ጸውዑለይ፡ በለ። ናብ
ቅድሚ ንጉስ ከኣ መጹ። [33] እቲ ንጉስ ድማ በሎም፡ ንገላዉ ጐይታኹም ምሳኹም ተማሊእኩም ናብ
ጊሖን ኣውርድዎ። [34] ኣብኡ ኸኣ ካህን ጻዶቅን ነብዩ ናታንን ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኪነግስ ይቕብእዎ።
መለኸት እናነፋሕኩም ድማ፡ ንጉስ ሰሎሞን ህያው ይኹን፡ በሉ። [35] ድሕሪኡ ስዒብኩም ከኣ ደይቡ፡
መጺኡ ድማ ኣብ ዝፋነይ ይቀመጥ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ክንዳይ ይንገስ፡ ንእኡ ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤልን
ኣብ ልዕሊ ይሁዳን መስፍን ኪኸውን ኣዚዘ እየ። [36] በናያ ወዲ የሆያዳ ኸኣ ንንጉስ፡ ኣሜን፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ጐይታይ ንጉስ ከምኡ ይበል፡ [37] እግዚኣብሄር ከምቲ ምስ ጐይታይ ንጉስ ዝነበረ፡ ከምኡ ኸኣ
ምስ ሰሎሞን ይኹን፡ ዝፋኑ ድማ ካብ ዝፋን ጐይታይ ንጉስ ዳዊት የዕብዮ፡ ኢሉ መለሰ። [38] ሽዑ ኻህን
ጻዶቅን ነብዩ ናታንን በናያ ወዲ የሆያዳን ክረታውያንን ጵለታውያንን ወረዱ፡ ንሰሎሞን ከኣ ኣብ በቕሊ
ንጉስ ዳዊት ኣወጢሖም ናብ ጊሖን ወሰድዎ። [39] ካህን ጻዶቅ ድማ ካብ ድንኳን ቀርኒ ዘይቲ ወሲዱ
ንሰሎሞን ቀብኦ። መለኸት ከኣ ነፍሑ፡ ኲሎም ህዝቢ ድማ፡ ንጉስ ሰሎሞን ህያው ይኹን፡ በሉ። [40]
ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ድማ ደድሕሪኡ ደየቡ፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ እምብልታ እናወቕዑ፡ ዓብዩ ሓጐስ
ተሐጒሶ፡ ብጭድርታኦምውን ምድሪ ተጨደት። [41] ኣዶንያን ምስኡ ዝነበሩ ዅሎም ጽውዓትን ድማ፡
በሊዖም ምስ ወድኡ፡ ሰምዕዎ። ዮኣብ ከኣ ደሃይ መለኸት ምስ ሰምዔ፡ እዚ ኣብ ከተማ ዚስማዕ ዘሎ
ጭራሕምራሕ እንታይ እዩ፡ በለ። [42] ገና ኺዛረብ ከሎ፡ እንሆ፡ ዮናታን ወዲ ኻህን ኣብያታር መጸ፡
ኣዶንያ ድማ፡ ኣታ ጽቡቕ እተበስር ሃብሮም ሰብ ኢኻ እሞ፡ እቶ፡ በለ። [43] ዮናታን ከኣ ንኣዶንያ መሊሱ
በሎ፡ ብሓቂ ጐይታና ንጉስ ዳዊት ንሰሎሞን ኣንጊስዎ። [44] እቲ ንጉስ ድማ ንኻህን ጻዶቅን ንነብዩ ናታንን
ንበናያ ወዲ የሆያዳን ንክረታውያንን ንጵለታውያንን ምስኡ ሰደዶም፡ ንሳቶም ከኣ ኣብ በቕሊ ንጉስ
ኣወጥሕዎ። [45] ካህን ጻዶቅን ነብዩ ናታንን ድማ ንጉስ ኪኸውን ኣብ ጊሖን ቀብእዎ። ካብኡ ኸኣ
ተሐጒሶም ደየቡ፡ እታ ኸተማ ድማ ዕግርግር በለት። እቲ ዝሰማዕኩምዎ ጫውጫው እዚ እዩ። [46]
ሰሎሞን ከኣ ኣብ ዝፋን መንግስቲ ተቐመጠ። [47] እቶም ገላዉ ንጉስ ድማ ኣትዮም፡ ንጐይታና ንጉስ
ዳዊት፡ ኣምላኽካ ንስም ሰሎሞን ካብ ስምካ የብልጾ፡ ንዝፋኑ ኸኣ ካብ ዝፋንካ የዕብዮ፡ ኢሎም
መረቕዎ። ንጉስ ድማ ኣብ መደቀሲኡ ኹይኑ ሰገደ። [48] ንጉስ ከኣ፡ እቲ ኣዒንተይ እናረኣያ ሎሚ ኣብ
ዝፋነይ ዚቕመጥ ዝሀበኒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ብሩኽ ይኹን፡ በለ። [49] ሽዑ እቶም ኣዶንያ
ዝጸውዖም ኲሎም ፈርሁ፡ ተንሲኦም ድማ ነፍሲ ወከፍ መመገዶም ከዱ። [50] ኣዶንያ ኸኣ ንሰሎሞን
ፈሪሁ ተንስኤ፡ ከይዱ ድማ ቀርኒ መሰውኢ ኣጽኒዑ ሐዘ። [51] ንሰሎሞን፡ ከኣ፡ እንሆ፡ ኣዶንያ ንንጉስ
ሰሎሞን ንጊልያኡ ብሴፍ ከይቀትሎ ሎሚ ይምሐለለይ፡ ይብል ኣሎ፡ በልዎ። [52] ሰሎሞን ከኣ፡ ሕያዋይ
ሰብ እንተ ኹይኑስ፡ ካብ ጸጕሩ ሓንቲ እኳ ናብ ምድሪ ኣይትወድቕን፡ ክፉእ እንተ ተረኺቦ ግና፡
ኪመውት እዩ፡ በለ። [53] ንጉስ ሰሎሞን ድማ ለኣኸ እሞ፡ ካብቲ መሰውኢ ኣምጽእዎ። ንሱ ኸኣ መጺኡ

ንንጉስ ሰሎሞን ኢድ ነስአሉ። ሰሎሞን ድማ፡ ናብ ቤትካ ኺድ፡ በሎ።

# ምዕራፍ 2

1 ዳዊት ዚሞተላ መዓልቲ ቐረበት እሞ፡ ንሰሎሞን ወዱ ኸምዚ ኢሉ ኣዘዞ፡ 2 ኣነ መገዲ ዅላ ምድሪ
እኸይድ ኣሎኹ እሞ፡ ጽኑዕ፡ ሰብኣይ ከኣ ኹን። 3 እቲ እትገብሮ ዘበለ ዅሉን ገጽካ ኣብ እትመልሰሉን
ምእንቲ ኺቕንዓካስ፡ ከምቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ተጽሒፉ ዘሎ፡ ብመገዱ ኽትከይድ፡ ሕጋጋቱን ትእዛዛቱን
ፍርድታቱን ምስክሩን ድማ ክትሕሉ፡ ንትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሐሉ። 4 እግዚኣብሄር ነቲ
ብዛዕባይ ከምዚ ኢሉ እተዛረቦ ቓል ምእንቲ ኺፍጽሞ፡ እቶም ደቅኻ ብእምነትን ብምሉእ ልቦምን
ብዅሉ ነፍሶምን ኣብ ቅድመይ ኪመላለሱ፡ መገዶም እንተ ሐለዉ፡ሽዑ ኻብ ዝፋን እስራኤል ሰብ
ኣየቋርጸልካን እዩ፡ በለኒ። 5 እቲ ዮኣብ ወዲ ጽሩያ ዝገበረኒ ድማ ንስኻ ትፈልጦ ኢኻ፡ እቲ ንኣብኔር ወዲ
ኔርን ንዓማሳ ወዲ የተርን፡ ነቶም ክልተ ሓላቑ ሰራዊት እስራኤል፡ ዝገበሮም፡ ንኣታቶም ቀቲሉ፡ ብጊዜ
ሰላም ደም ውግእ ኣፍሰሰ፡ ኣብቲ ኣብ ሕቑኡ ዝነበረ ቕናቱን ኣብቲ ኣብ እግሩ ዝነበረ ሳእኑን ድማ ደም
ገበረ። 6 እምበኣር ከም ጥበብካ ግበሮ፡ ንሽበቱ ብሰላም ናብ ሲኦል ኣይተውርዶ። 7 ንደቂ ባርዚላይ
ጊልዓዳዊ ግና፡ እቲ ኻብ ቅድሚ ኣቤሴሎም ሓውካ ኽሀድም ከሎኹ ቀሪቦምኒ እዮም እሞ፡ ከምኡ
ምሕረት ግበረሎም፡ ምስቶም ኣብ መኣድኻ ዚበልዑ ይኹኑ። 8 እንሆ ኸኣ፡ ሺምዒ ወዲ ጌራ ብንያማዊ፡
ብዓል ባሑሪም ምሳኻ ኣሎ። ንሱ በታ ንማሓናይም ዝኸድኩላ መዓልቲ ብርቱዕ መርገም ረገመኒ፡ ግናኸ
ንሱ ናብ ዮርዳኖስ ወሪዱ ተቐበለኒ፡ ኣነ ኸኣ፡ ብሴፍ ኣይክቐትለካን እየ፡ ኢለ ብእግዚኣብሄር
መሐልኩሉ። 9 ሕጂ ኸኣ ብዘይ ቅጽዓት ኣይትሕደጎ። ንስኻ ጥበበኛ ሰብ ኢኻ እሞ፡ እትገብሮ ባዕልኻ
ትፈልጥ፡ ሽበቱ ብደም ለኺኻ ድማ ናብ ሲኦል ኣውርዶ። 10 ዳዊት ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ
ዳዊት ከኣ ተቐብረ። 11 እቲ ዳዊት ኣብ እስራኤል ዝነገሰሉ ዘመን ኣርብዓ ዓመት ነበረ። ኣብ ኬብሮን
ሾብዓተ ዓመት ነገሰ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሰላሳን ሰለስተን ዓመት ነገሰ። 12 ሰሎሞን ድማ ኣብ ዝፋን ኣብኡ
ዳዊት ተቐመጠ፡ ስልጣን መንግስቱውን ኣዝዩ ጸንዔት። 13 ኣዶንያ ወዲ ሓጊት ድማ ናብ ባትሴባ ኣደ
ሰሎሞን መጸ። ንሳ ኸኣ፡ ብደሓንዶ መጺእካ፡ በለቶ። ንሱ ድማ፡ ደሓን እየ፡ በላ። 14 ምሳኺ ደአ ዘረባ
ኣሎኒ፡ ድማ በለ። ተዛረብ፡ በለቶ። 15 ንሱ ኸኣ፡ መንግስቲ ናተይ ከም ዝነበረት፡ ኵሎም እስራኤልውን
ኣነ ኽነግሶም ገጾም ኣባይ ከም ዝነበረ፡ ባዕልኺ ትፈልጢ ኢኺ። እታ መንግስቲ ግና፡ ካብ እግዚኣብሄር
ንእኡ ኹይን እያ እሞ፡ ዞይራ ንሓወይ ኰነት። 16 ሕጂ ኸኣ ካባኺ ሓደ ልማኖ እልምን ኣሎኹ እሞ፡
ገጸይ ኣይተሕፍርኒ፡ በላ። ተዛረብ፡ በለቶ። 17 ንሱ ድማ፡ ንንጉስ ሰሎሞን፡ ንሱ ንገጽኪ ኣየሕፍርን እዩ
እሞ፡ ኣቢሳግ እታ ሱናማዊት ሰበይተይ ክትከውን ኪህበንስ፡ በጃኺ፡ ተዛረብዮ፡ በላ። 18 ባትሴባ ኸኣ፡
ጽቡቕ፡ ንንጉስ ስሌኻ ኽዛረቦ እየ፡ በለት፡ 19 ባትሴባ ድማ ብናይ ኣዶንያ ኽትዛረብ ናብ ንጉስ ሰሎሞን
ኣተወት። እቲ ንጉስ ከኣ ኪቕበላ ተንስኤ፡ ኢድ ድማ ነስኣላ፡ ኣብ ዝፋኑ ተቐመጠ፡ ነደ ንጉስውን ዝፋን
ኣምጽኣላ እሞ፡ ብየማኑ ተቐመጠት። 20 ንሳ ኸኣ፡ ካባኻ ሓደ ንእሽቶ ልማኖ እልምን ኣሎኹ እሞ፡ ገጸይ
ኣይተሕፍረኒ፡ በለቶ። ንጉስ ድማ፡ ኣደየ፡ ገጽኪ ኣየሕፍረክን እየ እሞ፡ ለምኒ፡ በላ። 21 ንሳ ኸኣ፡ ኣቢሳግ
እታ ሱላማዊት፡ ሰበይቲ ኽትኰኖ፡ ንሓውካ ኣዶንያ ትወሀብ፡ በለት። 22 ንጉስ ሰሎሞን ድማ ነዲኡ፡
ንኣዶንያ ኣቢሳግ እታ ሱናማዊት እትልምንሉ ስለምንታይ ኢኺ፡ ንሱ ኻባይ ዚዐቢ ሓወይ እዩ እሞ፡ እዛ
መንግስቲውን ለምንሉ፡ ንእኡ፡ ንኻህን ኣብያታርን ንዮኣብ ወዲ ጽርያን ከኣ፡ ኢሉ መለሰላ። 23-24 ሽዑ
ንጉስ ሰሎሞን፡ ኣዶንያ እዚ እተዛረቦ ዘረባ ኣብ ንፍሱ እንተ ዘይኰይኑ፡ ኣምላኽ ከምዚ ይግበረኒ

ኸምዚውን ይወስኸኒ። ሕጂ ኸኣ እቲ ዝመደበኒ፡ ኣብ ዝፋን ኣቦይ ዳዊትውን ዘቐመጠኒ፡ ከምቲ
እተዛረቦ ድማ ቤት ዝሰርሓለይ እግዚኣብሄር ህያው ከም ዝኾነ፡ ኣዶንያ ሎሚ ኺመውት እዩ፡ ኢሉ
ብእግዚኣብሄር መሐለ። 25 ንጉስ ሰሎሞን ከኣ ንበናያ ወዲ የሆያዳ ሰደዶ፡ ንሱ ድማ ወቒዖ፡ ሞተ ከከ። 26
ንጉስ ከኣ ንኻህን ኣብያታር፡ ንስኻ ሞት ዚግብኣካ ሰብ ኢኻ፡ ግናኸ ታቦት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ
ቅድሚ ኣቦይ ዳዊት ስለ ዝጸርካ፡ ኣብ ኩሉ መከራ ኣቦይ ድማ መከራ ስለ ዝረኸብካ፡ ሎሚ ኣይቐትለካን
እየ እሞ፡ ናብ ግራውትኻ፡ ናብ ዓናቶት ኪድ፡ በሎ። 27 በዚ ኸምዚ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ቤት ኤሊ ኣብ
ሺሎ እተዛረቦ ቓል ምእንቲ ኺፍጸም፡ ሰሎሞን ንኣብያታር ካህን እግዚኣብሄር ካብ ምዃን ሰዐሮ። 28
ዮኣብ ድማ፡ ምንም እኳ ንኣቤሴሎም እንተ ዘይሰዐበ፡ ንኣዶንያ ስዒቡ ነበረ እሞ፡ እቲ ወረ ኣብ ዮኣብ
ምስ መጸ፡ ዮኣብ ናብ ድንኳን እግዚኣብሄር ሀዲሙ ቐርኒ መሰውኢ ቐጥ ኣቢሉ ሐዞ። 29 ዮኣብ ናብ
ድንኳን እግዚኣብሄር ከም ዝሀደመን ኣብ ጥቓ መሰውኢ ድማ ከም ዘሎን፡ ንንጉስ ሰሎሞን ነገርዎ። ሽዑ
ሰሎሞን ንበናያ ወዲ የሆያዳ፡ ኬድካ ቕተሎ፡ ኢሉ ሰደዶ፡ 30 በናያ ኸኣ ናብ ድንኳን እግዚኣብሄር
መጺኡ፡ ንጉስ፡ ውጻእ፡ ይብል ኣሎ፡ በሎ። ንሱ ግና፡ ኣይፋለይን፡ ኣብዚ ደአ እመውት፡ በለ። በናያ
ድማ፡ ዮኣብ ከምዚ ተዛሪቡኒ፡ ከምዚውን መሊሱለይ፡ ኢሉ እቲ ነገር ንንጉስ መለሰሉ። 31 ንጉስ ከኣ፡
ከምቲ ዝበሎ ግበር፡ ውደቆ እሞ ቅበሮ፡ ነቲ ዮኣብ ዘፍረሰሶ ንጹህ ደም ካባይን ካብ ቤት ኣቦይን
ኣርሕቆ። 32 ነቶም ካብኡ ዚጸድቁን ዚጸድቁን ዚሔሹን ዝነበሩ ኽልተ ሰባት፡ ንኣብኔር ወዲ ኔር ሓለቓ
ሰራዊት እስራኤልን ንዓማሳ ወዲ የተር ሓለቓ ሰራዊት ይሁዳን፡ ኣቦይ ዳዊት ከይፈለጠ፡ ጠቢዑ ብሴፍ
ስለ ዝቐተሎም፡ እግዚኣብሄር ደሙ ናብ ልዕሊ ርእሱ ይምለሰሉ። 33 እወ፡ ደሞም ንዘለኣለም ናብ ርእሲ
ዮኣብን ናብ ርእሲ ዘርኡን ይመለስ፡ ንዳዊትን ንዘርኡን ንቤቱን ንዝፋኑን ግና ካብ እግዚኣብሄር
ንዘለኣለም ሰላም ይኹን፡ በሎ። 34 ሽዑ በናያ ወዲ የሆያዳ ደዪቡ ወቒዑ ቐተሎ። ኣብ ቤቱ ኣብ በረኻ
ኸኣ ተቐብረ። 35 ንጉስ ድማ ኣብ ክንዳኡ ንበናያ ወዲ የሆያዳ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ሸሞ። ንኻህን ጻዶቅ
ከኣ እቲ ንጉስ ኣብ ክንዲ ኣብያታር ገበሮ። 36 እቲ ንጉስ ከኣ ልኢኹ ንሺምዒ ጸዊዑ፡ ኣብ የሩሳሌም ቤት
ሰሪሕካ ኣብኡ ተቐመጥ፡ ካብኣ ድማ ናብዝን ናብትን ኣይትውጻእ። 37 ኪኸውን ድማ እዩ፡ በታ ወጺእካ
ንርባ ቄድሮን እትሳገረላ መዓልቲ ርግጽ ከም እትመውት ኣጸቢቕካ ፍለጥ፡ ደምካ ኣብ ርእስኻ ይኹን፡
በሎ። 38 ሺምዒ ኸኣ ንንጉስ፡ ጽቡቕ ዘረባ እዩ፡ ከምቲ ጐይታይ ንጉስ እተዛረቦ፡ ጊልያኻ ኸምኡ ይገብር፡
በሎ። ሺምዒ ድማ ኣብ የሩሳሌም ብዙሕ መዓልቲ ተቐመጠ። 39 ኮነ ኸኣ፡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ክልተ
ገላዉ ሺምዒ ናብ ኣኪሽ ወዲ ማዓካ፡ ንጉስ ጋት፡ ህደሙ። ንሺምዒ ድማ፡ ገላዉኻ እንነዉ ኣብ ጋት፡
ኢሎም ነገርዎ። 40 ሽዒ ሺምዒ ተንስኤ፡ ኣድጉ ጽዒኑ ነቶም ገላዉኡ ኪደልዮም ናብ ኣኪሽ ናብ ጋት
ከደ። ሺምዒ ኸይዱ ነቶም ገላዉኡ ኻብ ጋት ኣምጽኦም። 41 ሺምዒ ኻብ የሩሳሌም ናብ ጋት ከይዱ ኸም
እተመልሰ ድማ ንሰሎሞን ነገርዎ። 42 እቲ ንጉስ ከኣ ልኢኹ ንሺምዒ ጸዊዑ፡ በታ ወጺእካ ናብዝን
ናብትን እትኸደላ መዓልቲ ርግጽ ከም እትመውት ኣጸቢቕካ ፍለጥ፡ ኢለ ብእግዚኣብሄር ኣምሒለካን
ኣስሚዔልካንዶ ኣይነበርኩን፡ ንስኻውን፡ እዚ ዝሰማዕክዎ ዘረባ ጽቡቕ እዩ፡ በልካኒ። 43 ነቲ ማሕላ
እግዚኣብሄርን ነቲ ዝኣዘዝኩኻ ትእዛዝን ደኣ ስለምንታይ ኢኻ ዘይሐሎኻዮ፡ በሎ። 44 ንጉስ ድማ
ንሺምዒ፡ እቲ ልብኻ ዚፈልጦ ነቦይ ዳዊት ዝገበርካዮ ኹሉ ኽፉእ ነገር ባዕልኻ ትፈልጦ ኣሎኻ። እቲ
ኽፍኣትካ ድማ እግዚኣብሄር ናብ ርእስኻ ይምለሰልካ። 45 ንጉስ ሰሎሞን ግና ብሩኽ ይኹን፡ ዝፋን
ዳዊት ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ጽኑዕ ይኹን፡ በሎ። 46 ንጉስ ድማ ንበናያ ወዲ የሆያዳ
ኣዘዞ፡ ንሱ ወጺኡ ወቒዖ፡ ሞተ ኸኣ። እታ መንግስት ድማ ኣብ ኢድ ሰሎሞን ጸንዔት።

# ምዕራፍ 3

[1] ሰሎሞን ድማ ምስ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ሕምነት ገበረ እሞ፡ ንጓል ፈርኦን ወሰዳ፡ ቤቱን ቤት
እግዚኣብሄርን እቲ ንየሩሳሌም ዚኸብብ ቀጽርን ነዲቑ ኽሳዕ ዚውድእ ከኣ፡ ናብ ከተማ ዳዊት ኣእተዋ። [2]
ክዳዕ እተን መዓልትታት እቲኤን ገና ንስም እግዚኣብሄር ቤት ኣይተሰርሔን ነበረ እሞ፡ እቲ ህዝቢ ኣብ
በረኽቲ ጥራይ ይሰውእ ነበረ። [3] ሰሎሞን ድማ ንእግዚኣብሄር ፈተዎ እሞ፡ ብሕጋጋት ኣቦኡ ዳዊት ከደ፡
ኣብ በረኽቲ ግዳ ይሰውእን ይዕጥንን ነበረ፡ [4] ጊብዖን፡ ንሳ እታ ዓባይ ኩርባ ነበረት እሞ፡ እቲ ንጉስ ድማ
ኣብኣ ኺሰውእ ከደ። ኣብቲ መሰውኢ እቲ ኽአ ሰሎሞን ሽህ ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረገ። [5] ኣብ ጊብዖን
እግዚኣብሄር ንሰሎሞን ለይቲ ብሕልሚ ተራእዮ። ኣምላኽ ከኣ፡ እንታይ ከም ዝህበካ ለምን፡ በለ። [6]
ሰሎሞን ድማ በለ። ንስኻ ንባርያኻ፡ ነቦይ ዳዊት፡ ከምቲ ኣብ ቅድሜኻ ብእመንትን ብጽድቅን ብቕንዕና
ልብን ምሳኻ እተመላለሶ፡ ብዙሕ ምህረት ገበርካሉ። ነዚ ዓብዩ ምሕረት እዚ ሐሊኻ ኸኣ፡ ከምዚ ሎሚ
ኰይኑ ዘሎ፡ ኣብ ዝፋኑ ዚቕመጥ ወዲ ሀብካዮ። [7] ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፡ ንባርያኻ ኣብ
ክንዲ ኣቦይ ዳዊት ኣንገስካኒ፡ ኣነ ኸኣ መውጽእየይን መእተውየይን ዘይፈልጥ ንእሽቶ ጐበዝ እየ። [8]
ባርያኻ ድማ ኣብ ማእከል እዚ ዝሐሬኻዮ ህዝብኻ፡ ኣብ ማእከል እዚ ስለ ምብዛሑ ዘይቍጸርን
ዘይጽብጸብን ብዙሕ ህዝቢ እየ ዘሎኹ። [9] ነዚ ብዙሕ ህዝብኻ እዚ ደኣ መን ኪፈርዶ ይኽእል፡
እምበኣርሲ ኣብ መንጎ ጽቡቕን ክፉእን ፈልዩ ንህዝብኻ ምእንቲ ኺፈርድሲ፡ ንባርያኻ ኣስተውዓሊ ልቢ
ሀቦ። [10] ሰሎሞን እዚ ነገር እዚ ስለ ዝለመነ ድማ፡ ነገሩ ንጐይታይ ባህ ኣበሎ። [11] ኣምላኽ ከኣ በሎ፡
ነዊሕ ዕድመ ኣይለመንካን፡ ሃብቲውን ኣይለመንካን፡ ነፍሲ ጸላእትኻ ድማ ኣይለመንካን፡ እዚ ነገር እዚ
ደኣ ስለ ዝለመንካ፡ ፍርዲ ንምፍላይ ምስትውዓል ስለ ዝለመንካ፡ [12] እንሆ ከምቲ ዘረባካ ገበርኩልካ፡
እንሆ፡ ብቕድሜኻ ኸማካ ዝበለ ዘይነበረ ብድሕሬኻውን ከማኻ ዝበለ ዘይትንስእ፡ ብልህን
ኣስተውዓልን ልቢ ሂበካ ኣሎኹ። [13] ምስኡ ድማ፡ ብኹሉ ዘመንካ ኣብ መንጎ ነገስታት ከማኻ ዝበለ
ዘይርከብ ገይረ ዘይለመንካኒ ሃብትን ክብረትን ሀብኩኻ። [14] ከምቲ ኣቦኻ ዳዊት ዝኸዶ ኸኣ፡ ሕጋጋተይን
ትእዛዛተይን ክትሕሉ፡ ብመገደይ እንተ ኸድካ፡ ዕድሜኻ ኸንውሕ እየ። [15] ሰሎሞን ድማ ተበራበረ፡
እንሆ ኸኣ፡ ሕልሚ እዩ ዝነበረ። ናብ የሩሳሌም መጺኡ ድማ ኣብ ቅድሚ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር
ቈመ፡ ዚሐርር መስዋእቲ ኸኣ ኣዕረገ፡ መስዋእቲ ምስጋናውን ኣቕረበ። ንኹሎም ገላዉኡ ድማ ምሳሕ
ገበረሎም። [16] ሽዑ ኽልተ ኣምናዝር ኣንስቲ ናብ ንጉስ መጺኤን ኣብ ቅድሚኡ ደው በላ። [17] እታ ሓንቲ
ሰበይቲ ኸኣ በለት፡ ዎ ጐይታይ፡ ኣነን እዛ ሰበይቲ እዚኣን ኣብ ሓንቲ ቤት ኢና እንነብር። ኣብታ ቤት
ምስኣ ኸሎኹ ኸኣ ወለድኩ። [18] ኰነ ድማ፡ ኣብ ሳልስቲ እታ ዝወለድክል መዓልቲ፡ እዛ ሰበይቲ
እዚኣውን ወለደት። ንህና ኸኣ ብሓንሳእ ነበርና፡ ኣብታ ቤት ድማ በጃካ ንሕና ኽልቴና፡ ኣብታ ቤትሲ
ጓና ምሳና ኣይነበረን። [19] ወዲ እዛ ሰበይቲ እዚኣ ግና፡ ኣብ ልዕሊኡ ስለ ዝደቀሰት፡ ለይቲ ሞተ። [20] ፍርቂ
ለይቲ ተንሲኣ ኸኣ፡ ገረድካ ደቂሳ ኸላ፡ ነቲ ወደይ ካብ ጐድነይ ወሲዳ ኣብ ሕቑፉ ኣደቀሰቶ፡ ነቲ
ምውት ወዲ ግና ኣብ ሕቑፈይ ኣደቀሰቶ። [21] ንግሆ ወደይ ከጥቡ ኢለ እንተ ተንሳእኩ፡ እንሆ ኸኣ፡
ሞይቱ ጸንሔ። ንግሆ ምስ ጠመትክዎ ኸኣ፡ እንሆ፡ እቲ ዝወለድክዎ ወደይ ኣይኰነን። [22] እታ ኻልአይቲ
ሰበይቲ ኸኣ፡ ኣይፋል፡ እዚ ህያውሲ ወደይ እዩ፡ እቲ ምዉት ከኣ ወድኺ እዩ፡ በለት። እዚኣ ድማ፡
ኣይፋል፡ እቲ ምዉት ደኣ እዩ ወድኺ፡ እዚ ህያው ግና ወደይ እዩ፡ በለት። በዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቲ
ንጉስ ተዛራረባ። [23] ሽዑ እቲ ንጉስ፡ እዚኣ፡ እዚ ህያው ወደይ እዩ፡ እቲ ምዉት ከኣ ወድኺ እዩ፡ ትብል
ኣላ፡ እዚ ኣ ኸኣ፡ ኣይፋል፡ እቲ ምዉት ወድኺ፡ እዚ ህያው ግና ወደይ እዩ፡ ትብል ኣላ፡ በለ፡ [24] እቲ
ንጉስ ድማ፡ ሴፍ እሞ ኣምጽኡለይ፡ በለ። ናብ ቅድሚ ንጉስ ከኣ ሴፍ ኣምጽኡ። [25] እቲ ንጉስ ድማ፡ ነዚ

ህያው ሕጻን ኣብ ክልተ ቈሪጽኩም እቲ ፈረቓ ነዛ ሓንቲ፡ እቲ ፈረቓ ኸኣ ነታ ሓንቲ ሀብወን። [26] ሽዑ
እታ እቲ ህያው ወዳ ዝነበራ ሰበይቲ፡ ስለ ወዳ ኣምዑታ ተናወጸ እሞ፡ እቲ ንጉስ፡ ዎ ጐይታይ፡ እዚ
ህያው ሕጻን ንእኣ ሀብዋ እምበር፡ ምቕታልሲ ኣይትቕተልዎ፡ ኢላ ተዛረበቶ። እታ ኻልኣይቲ ግና፡ ንኣይ
ወይስ ንኣኺ ኣይኹን፡ ቀኑረጽዎ ደኣ፡ በለት። [27] ሽዑ ንጉስ፡ ምቕታልሲ ኣይትቕተልዎ፡ እዚ ህያው ሕጻን
ነዚኣ ሀብዋ፡ ኣዲኡ ንሳ እያ፡ ኢሉ መለሰ። [28] ነዚ ንጉስ ዝፈረዶ ፍርዲ ብዘለዉ እስራኤል ሰምዑ። ፍርዲ
ንምፍራድ ጥበብ ኣምላኽ ኣብኡ ኸም ዘሎ ረአዩ እሞ፡ ንንጉስ ፈርህዎ።

# ምዕራፍ 4

[1] ንጉስ ሰሎሞን ድማ ኣብ ልዕሊ ኹሉ እስራኤል ንጉስ ኰነ። [2] ሹማምቱ ኸኣ እዚኣቶም እዮም፡ ኣዛርያ
ወዲ ጻዶቕ፡ ካህን፡ [3] ኤሊሖረፍን ኣሒያን፡ ደቂ ሺሻ፡ ጸሓፍቲ ነበሩ፡ ዮሳፋጥ ወዲ ኣሒሉድ፡ ጸሓፍ
ዛንታ፡ [4] በናያ ወዲ የሆያዳ፡ ሓለቓ ሰራዊት፡ ጻዶቅን ኣብያታርን ከኣ ካህናት ነበሩ፡ [5] ኣዛርያ ወዲ ናታን
ከኣ ንንጉስ ኣማኻሪኡን ፈታዊኡን ነበረ። [6] ኣሒሻር ኣዛዚ ቤት፡ ኣዶኒራም ወዲ ዓብዳ ድማ ግብሪ
ዜኽፍል እዩ ዝነበረ። [7] ሰሎሞን ከኣ ኣብ ልዕሊ ኹሉ እስራኤል ዓሰርተው ክልተ ሹማምቲ ነበርዎ።
ንሳቶም ንንጉስን ንቤቱን ይምግቡ ነበሩ። ነፍሲ ወከፎም ኣብ ዓመት ሓሓንቲ ወርሒ ኺምግቡ መዚ
ነበሮም። [8] ስሞም ከኣ እዚ እዩ፡ ቤንሑር ኣብ ከረን ኤፍሬም፡ [9] ቤንደቀር ኣብ ማቃዝን ኣብ ሸዓልቢምን
ኣብ ቤትሸመስን ኣብ ኤሎንቤትሓናን፡ [10] ቤንሔሰድ ኣብ ኣሩቦት፡ ሾኮት ብዘላ ምድሪ ሔፍርን ንእኡ
ነበረ። [11] ቤንኣቢናዳብ ኣብ ብዘሎ ሃገር ዶር። ጣፋት ጓል ሰሎሞን ሰበይቱ ነበረት። [12] ባዓና ወዲ
ኣሒሉድ ኣብ ታዓናክን መጊዶን ኣብ ብዘላ ቤትሸኣን፡ እታ ኣብ ጎቦ ጻሬታን፡ ብትሕቲ ዩዝርሔል፡ ካብ
ቤትሸኣን ክሳዕ ኣቤልሚሖላ፡ ክሳዕ ስግር ዮቕመዓም ዘላ፡ [13] ቤንገበር ኣብ ራሞት ጊልዓድ፡ እተን ኣብ
ጊልዓድ ዘለዋ ዓድታት ያኢር ወዲ ምናሴ ንእኡ ነበራ፡ እታ ኣብ ባሳን ዘላ ምድሪ ኣርጎብ፡ ዕርድታትን
መሸጐሪ ኣስራዝን ዘለወን ስሳ ዓበይቲ ኸተማታት ዘለዋ ድማ ንእኡ ነበረት። [14] ኣሒናዳብ ወዲ ዒዶ ኣብ
ማሓናይም፡ [15] ኣሒማዓጽ ኣብ ንፍታሌም፡ ንሱ ድማ ንባስማት ጓል ሰሎሞን ሰበይቱ ኽትኰኖ ወሰዳ። [16]
ባዓና ወዲ ሑሻይ ኣብ ኣሴርን ኣብ ዓሎትን፡ [17] ዮሳፋጥ ወዲ ጳሩኣሕ ኣብ ይሳኮር፡ [18] ሺምዒ ወዲ ኤላ
ኣብ ብንያም፡ [19] ጌበር ወዲ ኡር ኣብ ሃገር ጊልዓድ፡ እታ ናይ ሲሆን ንጉስ ኣሞራውያንን ናይ ኦግ ንጉስ
ባሳንን ዝነበረት ሃገር፡ ኣብታ ሃገር እቲኣ ንሱ በይኑ ሹም ነበረ። [20] ይሁዳን እስራኤልን ምብዛሖም ከም
ሑጻ ባሕሪ በዚሖም ነበሩ። ይበልዑን ይሰትዩን ይሕጐሱን ነበሩ። [21] ሰሎሞን ድማ ካብቲ ርባ ኽሳዕ
ምድሪ ፍልስጥኤማውያንን ክሳዕ ዶብ ግብጽን ኣብ ልዕሊ ኹሎም መንግስትታት ይገዝእ ነበረ። ንሳቶም
ንሰሎሞን ብኹሉ ዘመን ህይወቱ ገጽ በረከት የምጽኡሉን ይግዝእዎን ነበረ። [22] ምግቢ ሰሎሞን ከኣ
ነንመዓልቲ ሰላሳ ቆሮስ ድኹም ሓሪጭ፡ ስሳ ቆሮስ ድማ ካልእ ሓሪጭ፡ [23] ዓሰርተ ስቡሓት ኣብዑርን
ዕስድራ ኣብዑር ካብ መጓሰይን ሚእቲ በጊዕን ነበረ፡ እዚ ድማ ብዘይ እራባትን ሰሰውሕን ዓጋዝንን
ስቡሓት ኣዕዋፍን እዩ። [24] ንሱ ድማ ነታ ኣብ ክንጀው ርባ ዘላ ኹላ ሃገር፡ ካብ ቲፍሳሕ ክሳዕ ጋዛ ነቶም
ክንጀው ርባ ዝነበሩ ኹሎም ነገስታት ይገዝእ ነበረ። ኣብ ዙርያኡ ኸኣ ብኹሉ ወገን ሰላም ነበሮ። [25]
ይሁዳን እስራኤልን ድማ ካብ ዳን ክሳዕ ብኤርሸባዕ ብኹሉ ዘመን ሰሎሞን ነፍሲ ወከፍ ኣብ ትሕቲ
ወይኑን በለሱን ብህድኣት ይቕመጥ ነበረ፡ [26] ሰሎሞን ድማ ንሰረገላታቱ ኣርብዓ ሽሕ ስፍራ ኣፍራስ፡
ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ከኣ ፈረሰኛታት ነበርዎ። [27] እቶም ሹማምቲ እቲኣቶም ድማ ንንጉስ ሰሎሞንን
ነቶም ናብ መኣዲ ንጉስ ሰሎሞን ዚቐርቡ ኹላቶምን ነፍሲ ወከፍ ወወርሖም ይምግቡ ንበሩ፡ ገለ ነገር

እኳ ኣየጕድሉን ነበሩ። 28 ነፍራስን ነቶም ጋለብት ኣፍራስን ዚኸውን ነፍሲ ወከፍ ከምቲ እተሰርዖ
ስገምን ሓሰርን ናብታ ንሱ ዘለዋ ቦታ የምጽኡ ነበሩ። 29 ኣምላኽ ድማ ንሰሎሞን ኣዝዩ ብዙሕ ጥበብን
ምስትውዓልን ኣብ ገምገም ባሕሪ ኸም ዘሎ ሑጻ ዝምርሓቡ ልብን ሃቦ። 30 ጥበብ ሰሎሞንሲ ኻብ
ጥበብ ኲሎም ደቂ ምብራቕን ካብ ኲሉ ጥበብ ግብጽን በዝሔ። 31 ካብ ኲሉ ሰብ ከኣ፡ ካብ ኤታን እት
እዝራሓውን ካብ ሄማንን ካልኮል ዳርዳን፡ ደቂ ማሖል፡ ይጠብብ ነበረ። ስሙ ኸኣ ናብቶም ኣብ
ዙርያኡ ዘለዉ ዅሎም ህዝብታት ወጸ፡ 32 ሰለስተ ሽሕ ምስላ ድማ መሰለ፡ መዝሙራቱውን ሽሕን
ሓሙሽተን ነበረ። 33 ብዛዕባ ኣእዋም ከኣ ካብቲ ኣብ ሊባኖስ ዘሎ ቄድሮስ ክሳዕ እቲ ኣብ መንደቕ
ዚበቍል ስምዕዛ ተዛረበሉ። ብዛዕባ እንስሳን ብዛዕባ ኣዕዋፍን ብዛዕባ ለመምታን ብዛዕባ ዓሳታትን ድማ
ተዛረበ። 34 ካብ ኲሎም ህዝብታት ድማ፡ ካብቶም ጥበቡ ዝሰምዑ ዅሎም ነገስታት ምድሪ፡ ጥበብ
ሰሎሞን ኪሰምዑ ይመጹ ነበሩ።

# ምዕራፍ 5

1 ሒራም ንጉስ ጢሮስ ድማ፡ ሰሎሞን ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ኺነግስ ከም እተቐብኤ ሰሚዑ ነበረ እሞ፡
ሒራም ከኣ ኲሉ ጊዜ ፈታው ዳዊት ስል ዝነበረ፡ ገላዉኡ ሰደደሉ። 2 ሰሎሞን ድማ ልኢኹ ንሒራም
በሎ፡ 3 ኣቦይ ዳዊት ብሰሪ እቲ ኣብ ዙርያኡ ዝነበረ ውግእ፡ እግዚኣብሄር ንኣታቶም መርገጽ እግሩ ኽሳዕ
ዚገብሮም፡ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ ቤት ኪሰርሕ ከም ዘይተኻእሎ፡ ንስኻ ትፈልጥ ኣሎኻ። 4 ሕጂ
ግና እግዚኣብሄር ኣምላኺይ ብዅሉ ዙርያ ኣዕሪፉኒ እዩ፡ ገለ ተጻራሪ የልቦን፡ ገለ ናይ ድንገት ነገር ድማ
የልቦን። 5 እንሆ ኸኣ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ነቦይ ዳዊት፡ እቲ ኣብ ክንዳኻ ኣብ ዝፋንካ ዘቐምጦ ወድኻ፡
ንሱ ንስመይ ቤት ኪሰርሕ እዩ፡ ኢሉ እተዛረቦ፡ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኺይ ቤት ክሰርሃሉ እሐስብ
ኣሎኹ። 6 ሕጂ ኸኣ ካባናስ ከም ሲዶናውያን ገይሩ ምቍራጽ ኦም ዚፈልጥ ከም ዜልብ፡ ንስኻ ትፈልጥ
ኢኻ እሞ፡ ካብ ሊባኖስ ኣእዋም ቄድሮስ ኪቘርጹለይ ኣዝዝ። ገላዉኻ ድማ ከምቲ እትብለኒ ዅሉ ገይረ
ኽህበካ እየ። 7 ኰነ ኸኣ፡ ሒራም ዘረባ ሰሎሞን ምስ ሰምዔ፡ ኣዝዩ ተሐጕሱ፡ ንዳዊት ኣብ ልዕሊ እዚ
ብዙሕ ህዝቢ እዚ ጥበበኛ ወዲ ዝህቦ እግዚኣብሄር ሎሚ ብሩኽ ይኹን፡ በለ፡ 8 ሒራም ድማ ናብ
ሰሎሞን ልኢኹ፡ እቲ ዘለኣኽካለይ ሰሚዔዮ ኣሎኹ፡ ብዛዕባ ኣእዋም ቄድሮስን ብዛዕባ ኣእዋም ጽሕድን
ኣነ ዅሉ ድላይካ ኽገብር እየ። 9 ገላዎይ ካብ ሊባኖስ ናብ ባሕሪ ኼውርድዎ እዮም፡ ኣነ ኸኣ ጠሚረ
ብባሕሪ ገይረ ናብታ እትልእከለይ ቦታ ኣብዚሔ ኣብኡ ኽፈትሖ እየ፡ ንስኻውን ትወስዶ። ንስካ ድማ
ንቤተይ ምግቢ ብምሃብካ ድላየይ ትገብረለይ፡ በሎ። 10 ሒራም ከኣ ንሰሎሞን ኣእዋም ቄድሮስን
ኣእዋም ጽሕድን ዝደለዮ ዘበለ ሀቦ። 11 ሰሎሞን ከኣ ንሒራም ዕስራ ሽሕ ቆሮስ ስርናይን ዕስራ ቆሮስ
ጽሩይ ዘይትን ንምግቢ ቤቱ ዚኸውን ሀቦ። ሰሎሞን ንሒራም ዓመት ንዓመት ከምኡ ይህቦ ነበረ። 12
እግዚኣብሄር ድማ ንሰሎሞን፡ ከምቲ ዘተስፈዎ፡ ጥበብ ሀቦ። ኣብ መንጎ ሒራምን ሰሎሞንን ከኣ ሰላም
ነበረ፡ ክልቲኣቶም ድማ ኪዳን ተኣታትዉ። 13 ንጉስ ሰሎሞን ድማ ካብ ብዘሎ እስራኤልስ ሐርዩ ዓየይቲ
ኣከበ፡ እቶም ዓየይቲ ኸኣ ሰላሳ ሽህ ኰኑ። 14 እናባራረየ ድማ በብወርሒ ዕሰርተ ሽህ ናብ ሊባኖስ
ይሰዶም ነበረ። ሓደ ወርሂ ኣብ ሊባኖስ፡ ክልተ ወርሒ ኣብ ገዛኦም ነበሩ፡ ኣዶኒራም ከኣ ኣብ ልዕሊ
እቶም ዓየይቲ ነበረ። 15-16 ድማ ብዘይ እቶም ነቲ ኣብ ዕዮ ዚዐዩ ህዝቢ ኺእዝዙ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕዮ
እተሸሙ ሰለስተ ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሓልቐ ሹማምቲ ሰሎሞን ንሰሎሞን ጾር ዚጾሩ ሰብዓ ሽሕ፡ ኣብ
ከረን ኲይኖም ዚወቕሩ ኸኣ ሰማንያ ሽሕ ነበርዎ። 17 ንጉስ ድማ እታ ቤት ብውቑር እምኒ ምእንቲ

ኽትስረትሲ፡ ገዘፍቲ ኣእማንን ክቡራት ኣእማንን ኪኹዕቱ ኣዘዘ። 18 እቶም ነዳቓ ሰሎሞንን ነዳቓ
ሒራምን እቶም ጊብላውያንን ኰይኖም ከኣ ንመስርሒ እታ ቤት ኣዕጻውን ኣእማንን ቈረጹን ኣዳለዉን።

## ምዕራፍ 6

1 ኰነ ድማ፡ በታ ደቂ እስራኤል ካብ ምድሪ ግብጺ ዝወጹላ መበል ኣርባዕተ ሚእትን ሰማንያን ዓመት፡
ኣብ ራብዐይቲ ዓመት ምንጋስ ሰሎሞን ኣብ ልዕሊ እስራኤል፡ ኣብ ወርሒ ዚፍ፡ ንሳ እታ ኻልኣይቲ
ወርሒ፡ ምስራሕ ቤት እግዚኣብሄር ጀመረ። 2 እታ ንጉስ ሰሎሞን ንእግዚኣብሄር ዝሰርሓሉ ቤት ድማ
ምንዋሓ ስሳ እመት፡ ምግፋሓ ኸኣ ዕስራ እመት፡ ቁመታውን ሰላሳ እመት ነበረ። 3 እቲ ኣብ ቅድሚ ቤት
መቕደስ ዝነበረ ገበላ ድማ ምንዋሑ ኸም ምግፋሕ እታ ቤት ዕስራ እመት፡ ምግፋሑ ኣብ ቅድሚ እታ
ቤት ከኣ ዓሰርተ እመት ነበረ። 4 ነታ ቤት ድማ ዘይነቓነቕ መሳኹቲ ዓይነ ርግቢ ገበረላ። 5 ምስ መንደቕ
እታ ቤት ኣጸጊዑ ኸኣ ኣብ ዙርያኣ፡ ኣብ ጸግዒ መንደቕ እታ ቤት፡ ኣብ ዙርያ መቕደስን ቅድስተ
ቅዱሳንን ክፍልታት ቤት ሰርሔ። 6 እቲ ኣግማል ኣብ ውሽጢ እቲ መንደቕ እታ ቤት ከይተሐዝሲ፡ ኣብቲ
መንደቕ እታ ቤት ብግዳም ዙርይኣ ሕድጋት ገበረላ እሞ፡ እታ ታሕተይቲ ኽፍሊ ምግፋኣ ሓሙሽተ
እመት፡ እታ ማእከለይቲ ድማ ምግፋሓ ሹድሽተ እመት፡ እታ ሳልሰይቲ ኸኣ ምግፋሓ ሾብዓተ እመት
ነበረ። 7 እታ ቤት ክትስራሕ ከላ ኸኣ፡ ኣብቲ እተኸዕተላ ቦታ ብእተዳለወ ኣእማንን ተሰርሔት እሞ፡
ክትስራሕ ከላ ሞደሻ ኹን፡ ምሳር ኰነ፡ ወይ ዝኾነ ኣቕሓ ሓጺን ኣብታ ቤት ኣይተሰምዔን። 8 ደገ እታ
ማእከለይቲ ኽፍሊ ቤት ብወገን የማን እታ ቤት ነበረ፡ ናብታ ማእከለይቲ ኽፍሊ ቤት ብወገን የማን
እታ ቤት ነበረ፡ ናብታ ማእከለይቲ ኽፍሊ ቤት፡ ካብታ ማእከለይቲ ናብታ ሳልሰይቲ ድማ ብተጠዋወየ
መሳልል ይድይቡ ነበሩ። 9 ነታ ቤት ከኣ ሰርሓ ፈጸማውን። ነታ ቤት ከኣ በግማልን በኣልዋሕ ቄድሮስን
ከደና። 10 ኣብ ብዘሎ ጸግዒ እታ ቤት ድማ ሓሙሽተ እመት ዝቕኑመቱ ኽፍልታት ቤት ሰርሔ፡ ምስታ
ቤት ከኣ በእዋም ቄድሮስ ኣጋጠምዎ። 11 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ ናብ ሰሎሞን መጸ፡ 12
ብዛዕባ እዛ ንስኻ እትሰርሓ ዘሎኻ ቤት፡ ብሕጋጋተይ እንተ ኸድካ፡ ፍርድታተይ ከኣ እንተ ገበርካ፡
ንኹሉ ትእዛዛተውን ክትከደሉ እንተ ሐሎኻዮ፡ እቲ ነቦኻ ዳዊት እተዛረብክዎ ቓለይ ምሳኻ ኽጽንዖ
እየ። 13 ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ድማ ክነብር እየ፡ ንህዝበይ እስራኤል ከኣ ኣይሐድጎን እየ። 14
ሰሎሞን ድማ ነታ ቤት ሰሪሑ ፈጸማ። 15 ንመንደቕ እታ ቤት ብወገን ውሽጣ ኸኣ ብኣልዋሕ ቄድሮስ
ሰርሖ። ካብ ምድሪ ቤት ክሳዕ እቲ ሰርወ ተነቢርዎ ዘሎ መንደቕ ነቲ ውሽጢ ብዕጨይቲ ኸደኖ። ነቲ
ምድሪ ቤትውን ብኣልዋሕ ጽሕዲ ኸደኖ። 16 ንውሻጠ እታ ቤት ድማ ካብ ምድሪ ቤት ክሳዕ እቲ ላዕላይ
መንደቕ ዕስራ እመት ብኣልዋሕ ቄድሮስ ሰርሖ፡ እዚ ኸኣ ንቤት ራእይ ኪኾኖ፡ ንቅድስተ ቅዱሳን
ሰርሖ። 17 እቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ቤት፡ ንሱ ድማ እቲ መቕደስ፡ ኣርብዓ እመት ነበረ። 18 ኣብ ውሽጢ
ቤት ከኣ ኣጕማን ከፉት ዕምባባን እተቐርጸ ቄድሮስ ነበረ። ኩሉ ቄድሮስ ነበረ፡ እምኒ እኳ ኣይተራእየን፡
19 ኣብ ማእከል እቲ ቤት ድማ ኣብ ውሽጡ፡ ኣብኡ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ኬንብረሉ፡ ቤት ራእይ
ኣዳለወ፡ 20 ውሽጢ እቲ ቤት ራእይ ከኣ ምንዋሑ ዕስራ እመት፡ ምግፋሑ ከኣ ዕስራ እመት፡ ቍመቱውን
ዕስራ እመት ነበረ፡ ብጽሩይ ወርቂ ኸኣ ለበጦ፡ ነቲ መሰውኢ ድማ ብቄድሮስ ከደኖ። 21 ሰሎሞን ከኣ ነቲ
ቤት ብውሽጡ ብጽሩይ ወርቂ ለበጦ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ቤት ራእይ ድማ ዚጋረድ ሰንሰለት ወርቂ ገበረ፡
ብወርቂ ኸኣ ለበጦ። 22 እቲ ቤት ኩሉ ኽሳዕ ዚፍጸም ድማ፡ ንብዘሎ እቲ ቤት ብወርቂ ለበጦ፡ ንኹሉ
እቲ መሰውኢ ቤት ራእይውን ብወርቂ ለበጦ። 23 ኣብቲ ቤት ራእይ ከኣ ዓሰርተ እመት ዝቕኑመቶም

ክልተ ኪሩቤል ካብ ኦም ኣውልዕ ገበረ። 24 ሓንቲ ኽንፊ እቲ ኪሩቤል ድማ ሓሙሽተ እመት፡ ካልኣይቲ
ኽንፊ እቲ ኪሩቤል ከኣ ሓሙሽተ እመት ነበራ። ካብ ጫፍ እታ ሓንቲ ኽንፊ ኽሳዕ ጫፍ እታ ሓንቲ
ኽንፊ ዓሰርተ እመት ነበረ። 25 እቲ ኻልኣይ ኪሩቤልውን ዓሰርተ እመት ነበረ። እቶም ኪሩቤል
ክልቲኣቶም ልክዖም ሓደ፡ ምስሎም ከኣ ሓደ ነበረ። 26 ቍመት እቲ ሓደ ኪሩቤል ዓሰርተ እመት፡ ናይቲ
ኻልኣይ ኪሩቤልውን ከምኡ ነበረ። 27 ነቶም ኪሩቤል ከኣ ኣብ ማእከል እቲ ውሽጣዊ ቤት ገበሮም።
ኣኽናፍ እቶም ኪሩቤል ድማ ተዘርጊሔን ነበራ፡ ክንፊ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ መንደቕ ተንከየ፡ ክንፊ እቲ
ኻልኣይ ኪሩቤል ከኣ ነቲ ኻልኣይ መንደቕ ተንከየ፡ ኣብ ማእከል እቲ ቤት ድማ ኣኽናፎም ክንፊ
ንኽንፊ ተታናኸያ። 28 ነቶም ኪሩቤልውን ብወርቂ ለበጦም። 29 ኣብ ኵሉ መንደቕ እቲ ቤት ብዙርያ
ድማ ብውሽጥን ብግዳምን፡ ናይ ቅርጺ ምስልታት ኪሩቤልን ስየን ክፉት ዕምባባታትን ቀረጸ። 30 ነቲ
ምድሪ ቤት ከኣ ብውሽጥን ብግዳምን ብወርቂ ለወጦ። 31 ንደገ እቲ ቤት ራእይ ድማ ካብ ኦም ኣውልዕ
መዓጹ ገበረሉ፡ ላዕላይ ልዳትን ቀዋሚ ልዳትን ካብቲ መንደቕ ሓምሳይ ኢድ ነበረ። 32 ካብ ኦም ኣውልዕ
ክልተ መዓጹ ገይሩ ድማ ኣብኤን ቅርጺ ኪሩቤልን ስየን ክፉት ዕምባባን ቀረጸ፡ ብወርቂውን ለበጠን፡
ነቲ ወርቂ ከኣ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤልን ኣብ ልዕሊ ስየን ዘርግሖ። 33 ከምኡ ድማ ነቲ ደገ መቕደስ ካብቲ
መንደቕ ራብዓይ ኢድ ዝምርኳዱ ኻብ ኦም ኣውልዕ ልዳውቲ ገበረሉ። 34 ካብ ኦም ጽሕዲ ድማ ክልተ
ማዕጾ ገበረ፡ እቲ ሓደ ማዕጾ ኽልተ ዚዘውር ክፍሊ ነበሮ፡ እቲ ኻልኣይ ማዕጾ ኸኣ ክልተ ዚዘውር ክፍሊ
ነበሮ። 35 ኣብኡ ድማ ኪሩቤልን ስየን ክፉት ዕምባባን ቀሪጹ፡ ነቲ ቕርጺ ብወርቂ ኣዳላዲሉ ለበጦ። 36
ነቲ ውሽጣዊ ኣጸድ ከኣ ሰለስተ መስርዕ ብጽሩብ እምኒ፡ ሓደ መስርዕ ድማ ብኦም ቄድሮስ ሰርሖ። 37
እቲ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ ራብዓይ ዓመት፡ ኣብ ወርሂ ዚፍ ተመስረተ፡ 38 ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ
ዓመት፡ ኣብ ወርሒ ቡል፡ ንሳ ሳምነይቲ ወርሒ፡ እቲ ቤት ብዅሉ ኽፍልታቱውን ከምቲ እተመደበ
ዅሉን ተፈጸመ። ብሸብዓተ ዓመት ሰርሖ።

# ምዕራፍ 7

1 ሰሎሞን ድማ ንቤቱ ብዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ሰርሓ፡ ንብዘላ ቤቱ ኸኣ ፈጸማ። 2 ቤት ዱር ሊባኖስ
ድማ ሰርሔ፡ ምንዋሓ ሚእቲ እመት፡ ምግፋሓ ኸኣ ሓምሳ እመት፡ ቍመታውን ሰላሳ እመት ነበረ። ኣብ
ልዕሊ ኣርባዕተ መስርዕ ኣዕኑድ ቄድሮስ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣዕኑድ ድማ ጽሩብ ኣግማል ቄድሮስ ገይሩ
ሰርሓ። 3 እቲ ናሕሳ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣርብዓን ሓሙሽተን ዓንዲ ዝነበረ ኣግማል ብቄድሮስ
እተሰርሔ ናሕሲ ነበረ፡ እቲ ኣዕኑድ ከኣ ኣብ መመስርዕ ዓሰርተዉ ሓሙሽተ ነበረ። 4 ሰለስተ መስርዕ
ዓይነ ርግቢ፡ መስኮት ኣብ መንጽር መስኮት ከኣ ኣብ ሰለስተ መስርዕ ነበረ። 5 ኵሉ ደጌታትን ልዳውትን
ድማ ኣርባዕተ መኣዝን ነበረ፡ መስኮት ኣብ መንጽር መስኮት ከኣ ኣብ ሰለስተ መስርዕ ነበረ። 6 ገበላ ድማ
ሓምሳ እመት ዝምንዋሑ፡ ሰላሳ እመት ዝምግፋሑ በዕኑድ ገይሩ ሰርሔ። ኣብ ቅድሚኡ ድማ ሓደ
ገበላ፡ ኣብ ቅድሚ እዚ ኸኣ ኣዕኑድን መሳልልን ነበረ። 7 ድማ መጋባእያ ዚወጻሉ ገበላ ዝፋን፡ ንሱ ገበላ
ፍርዲ፡ ሰርሔ። ካብ ምድሪ ቤት ክሳዕ ናሕሲ ብሉሕ ተኸዲኑ ነበረ። 8 እታ ዚቕመጠላ ቤቱ ድማ ኣብቲ
ኻልኣይ መከበብያ ኣብ ውሽጢ እቲ ገበላ ዝነበረት ከምኡ ዅይና ተሰሪሓ ነበረት። ሰሎሞን ነታ ዘእተዋ
ጓል ፈርኦን ከኣ ከምዚ ገበላ እዚ ዝበለት ቤት ሰርሓላ። 9 እዚ ዅሉ ድማ ካብ መሰረት ክሳዕ እቲ ላዕላይ
ወሰን፡ ብወጻኢ ኸኣ ክሳዕ እቲ ዓብዪ መካበብያ፡ በቲ ብልክዕ እተቘርጸ፡ ብውሽጥን ብግዳምን ብመጋዝ
እተመገዘ ኽቡር ኣእማን ተሰርሔ። 10 እቲ መሰረት ድማ ብኽቡር ኣእማን፡ ብዓበይቲ ኣእማን፡ ብዓሰርተ

እመት ዝምንዋሑ ኣእማንን ሾሞንተ እመት ዝምንዋሑ ኣእማንን ተሰረተ። [11] ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ብልክዕ እተቘርጸ ኽቡር ኣእማንን ኦም ቄድሮስን ነበረ። [12] ነቲ ዓብዪ መካበብያ ቤት እግዚኣብሄርን ከም ገበል እቲ ቤትን፡ ሰለስተ መስርዕ እተቘርጸ ኣእማንን ሓደ መስርዕ እተጸርበ ሉሕ ቄድሮስን ነበሮ። [13] ንጉስ ሰሎሞን ድማ ልኢኹ ንሒራም ካብ ጢሮስ ኣምጽኦ። [14] ንሱ ወዲ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ኻብ ነገድ ንፍታሌም ነበረ። ኣቦኡ ኸኣ ብዓል ጢሮስ፡ ኣንጠረኛ ኣስራዚ ነበረ። ንሱ ድማ ኲሉ ስራሕ ኣስራዚ ንምግባር ጥበብን ምስትውዓልን ፍልጠትን መሊኦ ነበረ። ናብ ንጉስ ሰሎሞን መጺኡ ኸኣ፡ ዕዮኡ ዘበለ ገበረሉ። [15] ንሱ ድማ ነቲ ዓሰርተው ሾሞንተ እመት ዝቝመቱ ኽልተ ዓንዲ እስራዚ ሰርሔ። ነናይ ሓደ ዓንዲ ዙርያ ኸኣ ዓሰርተው ክልተ እመት ዝምንዋሁ ገመድ ገበረ። [16] ኣብ ርእሲ እቲ ኣዕኑድ ኪንበር ድማ ካብ ዝፈሰሰ ኣስራዚ ኽልተ ጒልላት ሰርሔ። ቍመት እቲ ሓደ ጒልላት ሓሙሽተ እመት፡ ቍመት እቲ ኻልኣይ ጒልላት ከኣ ሓሙሽተ እመት ነበረ። [17] ነቲ ኣብ ርእሲ ኣዕኑድ ዝነበረ ጒልላት ድማ ከም ስራሕ መንፊት ዝበለ ዓይነ ርግብን ከም ስራሕ ሰንሰለት ዝበለ ትትዖን ነበሮ፡ ነቲ ሓደ ጒልላት ሾብዓተ፡ ነቲ ኻልኣይ ጒልላት ከኣ ሾብዓተ ነበሮ፡ [18] ነቲ ኣዕኑድ ምስ ገበረ ድማ፡ ነቲ ኣብ ርእሲ ኣዕኑድ ዝነበረ ጒልላት ኪኸድን፡ ኣብ ዙርያ እቲ ሓደ ዓይነ ርግቢ ኽልተ መስርዕ ሮማን ገበረ፡ ነቲ ኻልኣይ ጒልላትውን ከምኡ ገበሮ። [19] እቲ ኣብ ገበላ ኣብ ርእሲ ኣዕኑድ ዝነበረ ጒልላት ከኣ ከም ዕምባባ ሹሻን መሲሉ እተሰርሄ፡ ምንዋሑ ኣርባዕተ እመት ነበረ። [20] ኣብ ልዕሊ ኽልቲኡ ኣዕኑድ ድማ ምስቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ዓይነ ርግቢ ዘሎ ኸብዲ ዝገጠመ ጒልላት ከኣ ኣብ ዙርያኡ በብመስሮ ክልተ ሚእቲ ሮማን ነበረ። [21] ነቲ ኣዕኑድ ድማ ኣብ ገበላ እቲ መቕደስ ኣቘሞ። ነቲ የማናይ ዓንዲ ተኺሉ ኸኣ ስሙ ቦዓዝ ኣውጽኣሉ። [22] ኣብ ርእሲ ኣዕኑድ ከኣ ከም ዕምባባ ሹሻን ዝበለ ስራሕ ነበረ። በዚ ኽምዚ ዕዮ እቲ ኣዕኑድ ተፈጸመ፡ [23] ናይ ፍሲ ባሕሪ ድማ ካብ ወሰን ክሳዕ ወሰን ዓሰርተ እመት ዝምግፋሑ ብዙርያኡ ኸቢብ ገይሩ ሰርሔ፡ ቍመቱ ኸኣ ሓሙሽተ እመት ነበረ፡ ብዘሎ እቲ ዙርያኡ ድማ ስፍሩ ብሰላሳ እመት ዝምንዋሑ ገመድ ነበረ፡ [24] ኣብ ትሕቲ እቲ ወሰን ከኣ ብዙርያኡ ኣጒማ ኣዞረሉ፡ ብዙርያ እቲ ባሕሪ በብእመት ዓሰርተ ኹይኑ ምስኡ ብሓደ ፈሰሰ። [25] ኣብ ልዕሊ ዓሰርተው ክልተ ብዕራይ ተነብረ፡ ሰለስተ ንሰሜን ገጾም፡ ሰለስተ ድማ ንምዕራብ ገጾም፡ ሰለስተ ኸኣ ንደቡብ ገጾም፡ ሰለስተውን ንምብራቕ ገጾም ነበሩ። እቲ ባሕሪ ድማ ኣብ ልዕሊኦም ነበረ። [26] ምርጓዱ ድማ ጋት ነበረ፡ ወሰኑ ኸኣ ከም ስራህ ወሰን ጽዋእ ከም ዝዐምበበ ሹሻን ነበር። ክልተ ሽሕ ባት ይሕዝ ነበረ። [27] ናይ ኣስራዚ ሰረት ከኣ ዓሰርተ ገበረ፡ ሓደ ሰረት ድማ ምንዋሑ ኣርባዕተ እመት፡ ምግፋሑ ኸኣ ኣርባዕተ እመት ቍመቱውን ሰለስተ እመት ነበረ። [28] ኣሰራርሓ እቲ ሰረታት ድማ ከምዚ ነበረ፡ ክቡሳት ነበሮ፡ ኣብ መንጎ መጋጠሚታት ከኣ ክቡሳት ነበረ። [29] ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ መንጎ መጋጠሚታት ዝነበረ ኽቡሳት ድማ ኣናብስን ኣብዑርን ኪሩቤልን ነበረ። ኣብ ልዕሊ እቲ መጋጠሚታት ከኣ ኣብ ላዕላዩ ኸምኡ ነበረ፡ ኣብ ትሕቲ ኣናብስን ኣብዑርን ድማ ከም ትትዖ እተገብረ ቈጽሊ ተንጠልጢሉ ነበረ። [30] ንንሓደ ሰረት ከኣ ኣርባዕተ መንኰርኰር ኣስራዚ፡ ንእኡ ዚሕዝ ኣርዑት ኣስራዚ ድማ ነበሮ። ኣብ ኣርባዕቲኡ እግሩ ኸኣ መናኲብ ነበሮ፡ እቲ መናኹብ ምስቲ ኣብ ወወገኑ ዝነበረ ትትዖ ቈጽሊ ኣብ ትሕቲ እቲ ገበራ ዝፈሰሰ ነበረ። [31] ኣፉ ድማ ብውሽጢ እቲ ጒልላት፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ሓደ እመት ነበረ፡ እቲ ኣፉ ኸኣ ከቢብ ከም ስራሕ እግሪ ዓንዲ፡ እመትን ፈረቓን ነበረ። ኣብ ልዕሊ ኣፉ ድማ ቅርጽታት ነበሮ፡ ክቡሳቱ ኸኣ ኣርባዕተ ፐርዚ ነበረ እምበር፡ ከቢብ ኣይነበረን። [32] እቲ ኣርባዕተ መንኰርኰር ድማ ብትሕቲ እቲ ኽቡሳት ነበረ፡ መትሓዝ መንኰራኹር ከኣ ኣብቲ መቕመጢ ለጊቡ ነበረ፡ ነናይ ሓደ መንኰርኰ ቍመትውን እመትን ስድርን ነበረ። [33] ስራሕ እቲ መንኰራኹር ድማ ከም ስራሕ መንኰርኰር ሰረገላ ነበረ፡ መትሓዚኡን ዕንክሊሉን ቅትርቱን

ሕምብርቱን ኩሉ ፍሲ ነበረ። [34] ነንሓደ ሰረት ከኣ ኣብ ኣርባዕቲኡ መኣዝን ኣርባዕተ መንኲብ ነበሮ፡ እቲ
መንኲብ ምስቲ ሰረት ብሓደ ነበረ። [35] ኣብ ርእሲ እቲ ሰረት ድማ ብዙርያኡ ፈረቓ እመት ዝቝመቱ
ኸቢብ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ሰረት ከኣ እቲ መደገፊታቱን ክቡሳቱን ምስኡ ሓደ ነበረ። [36] ኣብ ገጽ እቲ
መደገፊታቱን ኣብ ክቡሳቱን ከከም ስፍራኡ ብዙርያኡ ኪሩቤልን ኣናብስን ስየን ምስትትዖ ቘጽልን
ቀረጸሉ። [37] ከምዚ ነቲ ዓሰርተ መቐመጢ፡ ንዅሉ ምፍሳሱ ሓደ፡ ልክዑ ሓደ፡ መልክዑ ሓደ ገይሩ
መርሖ። [38] ዕሰርተ ገበራ ኣስራዚ ድማ ሰርሐ፡ ሓደ ገበራ ኣርብዓ ባት ይሕዝ ነበረ፡ እቲ ገበራታት
ሓሓዲኡ ኣርባዕተ እመት ነበረ። ነቲ ዓሰርተ ሰረት፡ ነንሓደ ሰረት ሓደ ገበራ ነበሮ። [39] ነቲ ሰረታት ድማ
ሓሙሽተ ብወገን የማን እታ ቤት፡ ሓሙሽተ ኸኣ ብወገን ጸጋም እታ ቤት ኣንበሮ፡ ነቲ ባሕሪ ድማ
ብወገን የማን እታ ቤት፡ ብምብራቕ ደቡብ ኣንበሮ። [40] ሒራም ከኣ ገበራታትን መጽሓርያታትን
ጭሕሎታትን ሰርሐ። በዚ ኸምዚ ሒራም ነቲ ንጉስ ሰሎሞን ንቤት እግዚኣብሄር ዝሰርሓሉ ዅሉ ዕዮ
ፈጸሞ፡ [41] ነቲ ኽልተ ዓንድን ናይቲ ኣብ ርእሲ እቲ ኽልተ ዓንዲ ዝነበረ ጒልላት ከበብትን፡ ነቲ ኣብ
ርእሲ ኣዕኑድ ዝነበረ ናይ ጒልላት ከበብቲ ዚኸድን ክልተ ኣዕኑድ ዝነበረ ናይ ጒልላት ከበብቲ ዚኸድን
ክልተ ዓይነ ርግብን፡ [42] ናይቲ ኽልተ ዓይነ ርግቢ ኣርባዕተ ሚእቲ ሮማን ከኣ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቲ ኽልተ
ኣዕኑድ ዝነበረ ጒልላት፡ ነቲ ኸበብቱ ዚኸድን ነንሓደ ዓይነ ርግቢ ኽልተ መስርዕ ሮማን፡ [43] ድማ ነቲ
ዓሰርተ ሰረትን፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ሰረታት ዘሎ ዓሰርተ ገበራን፡ [44] ነቲ ሓደ ባሕርን ነቶም ትሕቲ እቲ ባሕሪ
ዘለዉ ዓሰርተው ክልተ ብዕራይን። [45] ድስትታትን መጽሓሪታትን ጭሕሎታትን፡ እዚ ዅሉ ሒራም
ንንጉስ ሰሎሞን ንቤት እግዚኣብሄር ዝሰርሓሉ ኣቓሑ ኻብ ጽሩይ ኣስራዚ ነበረ። [46] እቲ ንጉስ ኣብ
ጐልጐል ዮርዳኖስ ኣብ መንጎ ሱኮትን ጻርታን፡ ኣብ መሬት ጥዑም ኣፍሰሶ። [47] ሰሎሞን ድማ ንዅሉ
ኣቓሑ ኻብ ኣዝዩ ምብዛሑ እተላዕለ ኸይመዘነ ሓደጎ፡ ሚዛን እቲ ኣስራዚ ኸኣ ኣይተመርመረን። [48]
ሰሎሞን ከኣ ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዘሎ ዅሉ ኣቓሑ ሰርሐ፡ ናይ ወርቂ መሰውእን፡ ነቲ እንጌራ
ምርኣይ ኣብ ልዕሊኡ ዚንበሮ ሰደቓ ወርቅን፡ [49] ነቲ ኣብ ቅድሚ ቤት ራእይ ዘሎ ኻብ ጽሩይ ወርቂ
እተገብረ ቐዋሚ ቐነዲል፡ ሓሙሽተ ብየማን፡ ሓሙሽተ ብጸጋም፡ ነቲ ናይ ወርቂ ዕምባባታትን ቅልዒ
ቐነዲልን መሳቐይታትን ከኣ፡ [50] ነቲ ናይ ጽሩይ ወርቂ ጽዋኣትን ካራታትን ጭሕሎታትን ማንካታትን
ጽንሃታትን ድማ፡ ነቲ ናይ ውሽጣዊ ቤት፡ ናይ ቅድስተ ቅዱሳን መዓጹን፡ ናይ መቕደስ መዓጹን
ወንድወንዶታት ወርቂ ኸኣ ሰርሐ። [51] እቲ ንጉስ ሰሎሞን ንቤት እግዚኣብሄር ዝዐየዮ ዅሉ ዕዮ ኸኣ
ተወድኤ። ሰሎሞን ድማ እቲ ኣቦኡ ዳዊት ንእግዚኣብሄር ዝቐደሶ፡ ነቲ ብሩርን ነቲ ወርቅን ነቲ ኣቓሑን
ኣምጺኡ ኣብ መዛግብ ቤት እግዚኣብሄር ኣንበሮ።

## ምዕራፍ 8

[1] ሰሎሞን ከኣ ንዅሎም ዓበይቲ እስራኤልን ንዅሎም ሓላቑ ነገዳት፡ ሹማምቲ ማይ ቤት ኣቦታት ደቂ
እስራኤልን፡ ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ካብ ከተማ ዳዊት፡ ማለት ጽዮን፡ ኬደይብዎ፡ ናብ ንጉስ
ሰሎሞን ናብ የሩሳሌም ኣከቦም። [2] ኵሎም ሰብ እስራኤል ድማ በቲ ኣብ ወርሒ ኤታኒም፡ ንሳ ኸኣ
ሳብዐይቲ ወርሒ፡ ዝነበረ በዓል ናብ ንጉስ ሰሎሞን ተኣከቡ። [3] ኵሎም ዓበይቲ እስራኤል ምስ መጹ
ኸኣ፡ እቶም ካህናት ነቲ ታቦት ኣልዐልዎ። [4] ነቲ ታቦት እግዚኣብሄርን ነቲ ድንኳን ምርኻብን ነቲ ኣብ
ድንኳን ዝነበረ ዅሉ ንዋየ ቅዱሳትን ድማ ኣደየብዎ፡ ነዚ እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ኣደየብዎ። [5]
ንጉስ ሰሎሞንን ብዘሎ እቲ ናብኡ ተኣኪቡ ዝነበረ ኣኼባ እስራኤልን ምስኡ ኣብ ቅድሚ እቲ ታቦት

ኰይኖም፡ ካብ ምብዛሔን እተላዕለ ዘይጽብጸባን ዘይቊጸራን ኣባጊዕን ኣሓን ሰውኡ። 6 እቶም ካህናት
ድማ ነቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ናብቲ ስፍራኡ፡ ናብታ ቤት ራእይ፡ ናብቲ ቅድስተ ቅዱሳን፡ ናብ
ትሕቲ ኣኽናፍ ኪሩቤል ኣእተውዎ። 7 እቶም ኪሩቤል ኣኽናፎም ኣብ ልዕሊ ስፌር እቲ ታቦት ዘርጊሖም
ነበሩ እሞ፡ ነቲ ታቦትን ነቲ መሰላታቱን እቶም ኪሩቤል ከደንዎ። 8 ጫፍ እቲ መሰላትት ከኣ ኣብ ቅድሚ
ቤት ራእይ ኣብ መቕደስ ኬንካ ኽሳዕ ዚርኤ፡ እቲ መሰላታት ነዋሕቲ ነበረ፡ ብወጻኢ ግና ኣይርኤን ነበረ፡
ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ድማ ኣብኡ ኣሎ። 9 ኣብቲ ታቦት ብጀካ እተን ሙሴ ኣብ ሆሬብ ናብኡ
ዘእተወን ክልተ ጽላት እምኒ ገለ ኻልእ ኣይነበረ፡ እዚ ኸኣ በቲ እግዚኣብሄር ምስ ደቂ እስራኤል፡
ንሳቶም ካብ ምድሪ ግብጽ ምስ ወጹ፡ ኪዳን ዝኣተወሉ ጊዜ ኹነ። 10 ኰነ ድማ፡ እቶም ክህናት ካብ
መቕደስ ምስ ወጹ፡ ነቲ ቤት እግዚኣብሄር ደበና መልኦ፡ 11 ነቲ ቤት እግዚኣብሄር ክብሪ እግዚኣብሄር
መሊእዎ ነበረ እሞ፡ እቶም ካህናት ብምኽንያት እቲ ደበና ደው ኢሎም ኬገልግሉ ኣይከኣሉን። 12 ሽዑ
ሰሎሞን፡ እግዚኣብሄር ኣብ ጣቓ ኽም ዚነብር፡ ኢሉ ኣሎ። 13 ንስኻ እተቐመጠ ቤት፡ ንዘለኣለም
እትነብረሉ ስፍራ ብርግጽ ሰሪሔልካ ኣሎኹ፡ በለ። 14 እቲ ንጉስ ድማ ገጹ መሊሱ ንብዘሎ ማሕበር
እስራኤል መረቐ፡ እቲ ማሕበር እስራኤል ከኣ ብዘሎ ደው ኢሉ ነበረ። 15-16 በለ ድማ፡ ካብታ ንህዝበይ
እስራኤል ካብ ግብጺ ዘውጻእኩላ መዓልቲ ጀሚረ ኻብ ኵሎም ነገዳት እስራኤል ስመይ ዝነብረሉ ቤት
እትስርሓላ ኸተማ ኣይሐሬኹን። ግናኸ ንዳዊት ደኣ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል ኪኸውን ሓሬኽዎ፡
ኢሉ ብኣፉ ነቦይ ዳዊት እተዛረቦ ብኢዱ ኸኣ ዝፈጸሞ እግዚብሄር ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ። 17 ኣቦይ
ዳዊት ድማ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ቤት ኪሰርሓሉ ብልቡ ሐሲቡ ነበረ። 18 እግዚኣብሄር
ግና ነቦይ ዳዊት በሎ፡ ንስመይ ቤት ክትሰርሕ ኣብ ልብኻ ነበረ እሞ፡ እዚ ብልብኻ ስለ ዝሐሰብካዮ፡
ጽቡቕ ገርካ። 19 ግናኸ እቲ ኻብ ሕቘኻ ዚወጽእ ወድኻ ደኣ፡ ንሱ ንስመይ ቤት ይሰርሕ እምበር፡ ንስኻስ
ነቲ ቤት ኣይትሰርሖን ኢኻ። 20 እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ እተዛረቦ ዘረባኡ ኣቜሞ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር
እተዛረቦ ድማ፡ ኣብ ክንዲ ኣቦይ ዳዊት ተንሲኤ፡ ኣብ ዝፋን እስራኤል ተቐመጥኩ፡ ንስም እግዚኣብሄር
ኣማልኽ እስራኤል ከኣ ቤት ሰሪሔ ኣሎኹ። 21 ኣብኡ ድማ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ምስ ኣውጽኦም፡ ምስ
ኣቦታትና ዝኣተዎ ኺዳን እግዚኣብሄር ንዘለዎ ታቦት ስፍራ ኣዳሎኹ። 22 ሰሎሞን ከኣ ኣብ ቅድሚ
መሰውኢ እግዚኣብሄር ቈይሙ፡ ኣብ ቅድሚ ዅሉ ማሕበር እስራኤል ኣእዳዉ ናብ ሰማይ ዘርግሔ። 23
በለ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ነቶም ኣብ ቅድሜኻ ብምሉእ ልቦም እተመላለሱ ባሮትካ
ኺዳንን ምሕረትን እትሕሉ፡ ኣብ ሰማይ ኣብ ላዕሊ፡ ኣብ ምድሪውን ኣብ ታሕቲ ኸማኻ ዝበለ ኣምላኽ
የልቦን። 24 እቲ ንባርያኻ፡ ነቦይ ዳዊት፡ እተዛረብካዮ ዝሐሎኻ፡ እወ፡ ብኣፍካ ተዛረብካ፡ ከምዚ ሎሚ
መዓልቲ ኹይንዎ ዘሎ ኸኣ፡ ብኢድካ ፈጸምካዮ። 25 ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡
ንባርያኻ፡ ነቦይ ዳዊት፡ ከምቲ ንስኻ ኣብ ቅድመይ እተመላለስካ፡ ደቅኻ ኸኣ ኣብ ቅድመይ ንምኻድ
መገዶም ጥራይ እንተ ደኣ ሐልዮምሲ፡ ኣብ ቅድመይ ኣብ ዝፋን እስራኤል ዚቕመጥ ሰብ ኣየቛርጸልካን
እዩ፡ ኢልካ እተዛረብካዮ ሐሉ። 26 ሕጂ ድማ፡ ዎ ኣምላኽ እስራኤል፡ በጃኻ፡ እቲ ንባርያኻ፡ ነቦይ ዳዊት፡
እተዛረብካዮ ዘረባኻ እሙን ይኹን። 27 ግናኸ፡ ብሓቂዶ ኣምላኽሲ ኣብ ምድሪ ይነብር እዩ፡ እንሆ፡
ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን ኪሕዙኻ ኣይክእሉን፡ እዛ ኣነ ዝሰራሕክዋ ቤት ደኣ ግዳ ኽንደይ ዘይትንስእ፡
28 ግናኸ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፡ ነዚ ጽውዓን ነዚ ባርያኻ ሎሚ ኣብ ቅድሜኻ ዚጽልዮ ዘሎ
ጸሎትን ንምስማዕ ገጽካ ናብ ጸሎት ባርያኻን ናብ ምህልላኡን ምለስ። 29 ናብዛ ቤት እዚኣ፡ ናብዛ፡
ስመይ ኣብኣ ኪኸውን እዩ፡ ዝበልካያ ቦታ ኣዒንትኻ ለይትን መዓልትን ይከፈታ። ነቲ ባርያኻ ኣብዛ ቦታ
እዚኣ ዚጽልዮ ጸሎትውን ስማዕ። 30 ነቲ ባርያኻን ህዝብኻ እስራኤልን ኣብዛ ቦታ እዚኣ ዚምህለልዎ

ጸሎት ከኣ ስምዓዮ፡ እወ፡ ንስኻ ኣብታ እትነብረላ ዘሎኻ ቦታ፡ ኣብ ሰማይ ስምዓዮ፡ ሰሚዕካውን ይቕረ
በል። 31 ሰብ ንብጻዩ እንተ በደሎ፡ ማሕላ ምሒል ድማ እንተ በልዎ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ቅድሚ መሰውኢኻ
ኣብዛ ቤት እዚኣ ኺምሕል እንተ መጸ፡ 32 ሽዑ ንስኻ ኣብ ሰማይ ኩንካ ስማዕ፡ ግበር ከኣ፡ ነቲ በዳሊ፡
መገዱ ናብ ርእሱ ኽትመልሶ፡ ኰንኖ፡ ነቲ ጻድቕ ከኣ ጽድቁ ኣጽዲቕካ ንባሮትካ ፍረደሎም። 33 ህዝብኻ
እስራኤል ስለ ዝበደሉኻ ኣብ ቅድሚ ጸላኢ ምስ ተሳዕሩ ድማ፡ ናባኻ ተመሊሶም ኣብዛ ቤት እዚኣ
ንስምካ እንተ ኣኽበሩን እንተ ጸለዩን እንተ ተማህለሉን፡ 34 ሽዑ ንስኻ ኣብ ሰማይ ኩንካ ስማዕ፡ ሓጢኣት
ህዝብኻ እስራኤል ከኣ ይቕረ በል፡ ናብታ ነቦታቶም ዝሀብካዮም ምድሪ ድማ ምለሶም። 35 ንኣኻ ስለ
ዝበደሉ ሰማይ ምስ ተዐጽወ፡ ዝናም ከኣ እንተ ዘይዘነመ፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ድማ እንተ ጸለዩ፡
ንስምካውን እንተ ኣኽበሩ፡ ስለ ዘዋረድካዮም፡ ካብ ሓጢኣቶም እንተ ተመልሱ፡ 36 ሽዑ ንስኻ ኣብ
ሰማይ ኩንካ ስማዕ እታ ዚኸድዋ ጽብቕቲ መገዲ ምስ እትርእዮም ከኣ፡ ሓጢኣት ባርያኻን ህዝብኻ
እስራኤልን ይቕረ በል፡ ነታ ንህዝብኻ ንርስቲ ዝሀብካዮም ምድርኻ ድማ ዝናም ሀባ። 37 ኣብ ሃገር
ጥሜት እንተ ኾነ፡ ፌራ እተ ኾነ፡ ጸላኢኦም ኣብ ሃገሮም ኣብ ከታማታቶም እንተ ኸበቦም፡ ወይ
ዝኾነ መዓት ወይ ዝኾነ ሕማም እንተ መጸ፡ 38 ዝኾነ ሰብ ወይ ኲሉ ህዝብኻ እስራኤልን ፍሲ ወከፍ
ቊስሊ ልቢ እተፈለጠ፡ ዚጽልዮ ኹሉ ጸሎትን ኲሉ ምህልላን ኣእዳዉ ድማ ናብዛ ቤት እዚኣ ኣቢሉ
ምስ ዚዝርግሕ፡ 39-40 ሽዑ ንስኻ ኣብ ሰማይ፡ ኣብታ እትነብረላ ስፍራ ኼንካ ስማዕ ይቕረ ኸኣ በል ግበር
ድማ፡ ንልቢ ኹሎም ደቂ ሰብ እትፈልጦ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እሞ፡ ኣብታ ነቦታትና ዝሀብካዮም ምድሪ
ዚነብረለን ኲለን መዓልትታት ምእንቲ ኺፈርሁኻስ፡ ንነፍሲ ወከፍ ልቡ እትፈልጥ፡ ከከም መገዱ ሀቦ።
41 ካብ ህዝብኻ እስራኤል ዘይኰነ ጓና ድማ፡ ንሱ ምእንቲ ስምካ ኢሉ ኻብ ርሑቕ ሃገር እንተ መጸ፡ 42
ብዛዕባ እዚ ዓብዪ ስምካን ብዛዕባ እዛ ጽንዕቲ ኢድካን ዝርግሕቲ ቕልጽምካን ኪሰምዑ እዮም እሞ፡
መጺኡ ኣብዛ ቤት እዚኣ እንተ ጸለየ፡ 43 ብዘለዉ ህዝብታት ምድሪ ንስምካ ምእንቲ ኺፈልጡ እሞ ከም
ህዝብኻ እስራኤል ገይሮም ኪፈርሁኻ፡ እዛ ዝሰራሕክዋ ቤት ከኣ ብስምካ ኽም እተሰምየት ኪፈልጡስ፡
ንስኻ ኣብ ሰማይ፡ ኣብታ እትነብረላ ስፍራ ኼንካ ስምዓዮ፡ ነቲ ጓና ኸኣ ከምቲ ኹሉ ዚጽውዓካ
ግበረሉ። 44 ህዝብኻ በታ ዝለኣኽካዮም መገዲ ንጸላእቶም ኪዋግኡ ምስ ዚወጹ፡ ናብዛ ዝሐሬኻያ
ኸተማን፡ ናብዛ ንስምካ ዝሰራሕክዋ ቤትን ኣቢሎም ናብ እግዚኣብሄር እንተ ጸለዩ፡ 45 ሽዑ ንስኻ ኣብ
ሰማይ ኩንካ ጸሎቶምን ምህልላኦምን ሰሚዕካ ፍርዲ ኣውጽኣሎም። 46 እንተ በደሉኻ፡ ሰብሲ ዘይብድል
የልቦን፡ ኲሪኻ ድማ ንጸላኢ ኣሕሊፍካ እንተ ሀብካዮም እዩ፡ ናብ ርሑቕ ኰነ ወይ ናብ ቅሩብ ናብ ሃገር
ጸላኢ ምርኮ እንተ ማረኽዎም፡ 47 ኣብታ ተማሪኾምላ ዘለዉ ሃገር ኰይኖም ናብ ልቦም እንተ ተመልሱ፡
ኣብታ ምድሪ ምርኮኦም ኰይኖም ከኣ መሊሶም፡ ሓጢኣት ገበርናን በደልናን ክፉእ ገበርናን፡ ኢሎም
ናባኻ እንተ ተማሕለሉ፡ 48 ኣብ ሃገር እቶም ዝማረኽዎም ጸላእቶም ከለዉ ብኹሉ ልቦምን ብኹሉ
ነፍሶምን ናባኻ እንተ ተመልሱ፡ ገጾም ከኣ ናብዛ ነቦታቶም ዝሀብካዮም ምድሮም፡ ናብዛ ዝሐሬኻያ
ኸተማን ናብዛ ንስምካ ዝሰራሕክዋ ቤትን ኣቢሎም እንተ ጸለዩ፡ 49 ሽዑ ኣብ ሰማይ፡ ኣብታ እትነብራ
ቦታ ኼንካ ጸሎቶምን ምህልላኦምን ሰሚዕካ ፍርዲ ኣውጽኣሎም። 50 ነቶም ዝበደሉኻ ህዝብኻ ዝኣበሱኻ
ኹሉ ኣበሳኦም ይቕረ በለሎም፡ ምእንቲ ንሳቶም ምሕረት ኪገብሩሎም ድማ፡ ኣብ ቅድሚ እቶም
ዝማረኽዎም ምሕረት ሀቦም። 51 ንሳቶምሲ ኻብ ግብጺ፡ ካብቲ እቶም ሓጺን ዘውጻእካዮም ህዝብኻን
ርስትኻን እዮም እሞ፡ 52-53 ዎ እግዚኣብሄር ጐይታይ፡ ከምቲ ነቦታትና ኻብ ግብጺ ኸተውጽኦም ከሎኻ
ብባርያኻ ሙሴ እተዛረብካዮ፡ ካብ ኲሎም ህዝብታት ምድሪ ርስትኻ ኪኾኑ፡ ንስኻ ፈሊኻዮም ኢኻ
እሞ፡ ናባኻ ብዝጽውዕዎ ዘበለ ኽትሰምዖም፡ ኣዒንትኻ ናብ ምህልላ ባርያኻን ናብ ምህልላ ህዝብኻ

እስራኤልን ይከፈታ። 54 ኰነ ኸኣ፡ ሰሎሞን ነዚ ናብ እግዚኣብሄር ዚጽልዮ ኹሉ ጸሎትን ምህልላን እዚ
ምስ ወድኤ፡ ካብ ቅድሚ እቲ ብብርኩ ተንበርኪኹ ኣእዳዉ ንሰማይ ዘርጊሑሉ ዝነበረ መሰውኢ
እግዚኣብሄር ተንስኤ። 55 ደው ኢሉ ኸኣ ንብዘሎ ማሕበር እስራኤል ዓው ኢሉ ኸምዚ ኢሉ መረቖ፡ 56
እቲ ንህዝቡ እስራኤል ከምቲ እተዛረቦ ኹሉ ገይሩ ዕረፍቲ ዝሀቦም እግዚኣብሄር ይባረኽ፡ ካብቲ
ብሙሴ ባርያኡ እተዛረቦ ጽቡቕ ነገር ኩሉ ሓደ ቓል እኳ ኣይወደቐን። 57 እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ከምቲ
ምስ ኣቦታትና ዝነበሮ፡ ምሳና ይኹን፡ ኣይሐደገናን ኣይገደፈናን። 58 እቲ ነቦታትና ዝኣዘዞም ትእዛዛቱን
ሕጋጋቱን ፍርድታቱን ድማ ክንሕሉ፡ ብኹሉ መገድታቱ ኽንከይድ፡ ንልብና ናብኡ የብሎ። 59-60 እቲ
ፍርዲ ንባርያኡን እቲ ንህዝቡ እስራኤል ነንዕለቱ ዜድሊ ፍርድን ምእንቲ ኺውጽእ፡ ኩሎም ህዝብታት
ምድርስ እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ካልእ ከም ዜልቦ ኸኣ ምእንቲ ኺፈልጡ፡ እዚ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር እተማህለልክዎ ቓላተይን ለይትን መዓልትን ኣብ ጥቓ እግዚኣብሄር ኣምላኽና
ይኹን። 61 ከምዚ ናይ ሎሚ ብሕጋጋቱ ኽትከዱ፡ ትእዛዛቱ ድማ ክትሕልዉ፡ ልብኹም ፈጺሙ ምስ
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ይኹን። 62 እቲ ንጉስ፡ ብዘሎ እስራኤል ድማ ምስኡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
መስዋእቲ ሕሩድ ይስውኡ ነበሩ። 63 እቲ ሰሎሞን ንእግዚኣብሄር ዝሰውኦ መስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ዕስራን
ክልተን ሽሕ ብዕራይ፡ ሚእትን ዕስራን ሽሕ ከኣ በጊዕ ሰውኤ። ነታ ቤት እግዚኣብሄር ንጉስን ኩሎም
እስራኤልን ኰይኖም ከምዚ ገይሮም ቀደስዋ፡ 64 እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዝነበረ መሰውኢ ኣስራዚ
ንዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ብልዕን ስብሕታት መስዋእቲ ምስጋናን ምእካል ስለ ዝሰኣኖ፡ በታ
መዓልቲ እቲኣ እቲ ንጉስ ነቲ ኣብ ቅድሚ ቤት እግዚኣብሄር ዘሎ ማእከላይ ኣጸድ ቀደሶ እሞ፡ ነቲ
ዚሐርር መስዋእትን ንመስዋእቲ ብልዕን ንስብሕታት መስዋእቲ ምስጋናን ኣብኡ ይስውኦ ነበረ። 65 በታ
ጊዜ እቲኣ ሰሎሞን፡ ምስኡ ኸኣ ብዘሎ እስራኤል፡ ካብታ ንሓማት እትኣቱ ኽሳዕ ርባ ግብጺ ዓብዩ
ማሕበር ኰይኖም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ሾብዓተ መዓልትን ሾብዓተ መዓልትን፡ ማለት
ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ፡ በዓል ኣብዐሉ። 66 በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ነቶም ህዝቢ ኣሰናበቶም፡
ንሳቶም ከኣ ንንጉስ መረቕዎ፡ በቲ እግዚኣብሄር ንባርያኡ ዳዊትን ንህዝቡ እስራኤልን ዝገበረሎም ኩሉ
ጽቡቕ ነገር ባህ ኢልዎም፡ ብሕጉስ ልቢ ነናብ ድንኳኖም ከዱ።

## ምዕራፍ 9

1 ኰነ ኸኣ፡ ሰሎሞን ቤት እግዚኣብሄርን ቤት ንጉስን እቲ ሰሎሞን ኪሰርሖ ብሂጉ እተመነዮን ኩሉ ምስ
ፈጸሞ፡ 2 እግዚኣብሄር ንሰሎሞን፡ ከምቲ ኣብ ጊብዖን እተገልጸሉ፡ ካልኣይ ጊዜ ተገልጸሉ። ካልኣይ ጊዜ
ተገልጸሉ። 3 እግዚኣብሄር ድማ በሎ፡ እቲ ኣብ ቅድመይ እተማህለልካዮ ጸሎትካን ምህልላኻን ሰሚዔዮ
ኣሎኹ፡ ነዛ ዝሰራሕካያ ቤት፡ ስመይ ክሳዕ ዘለኣለም ኣብኣ ኽንብር ቀዲሰያ ኣሎኹ። ዓይነይን ልበይን
ከኣ ንሓዋሩ ኣብኣ ኺነብራ እየን። 4 ንስኻ ድማ፡ ነቲ ዝኣዘዝኩኻ ኹሉ ኽትገብር፡ ሕጋጋተይን
ፍርድታተይን ከኣ ክትሕሉ፡ ከምቲ ኣቦኻ ዳዊት ብንጽህና ልብን ብቕንዕናን እተመላለሰ፡ ኣብ ቅድመይ
እንተ ተመላለስካ፡ 5 ሽዑ ኸምቲ ነቦኻ ዳዊት፡ ኣብ ዝፋን እስራኤል ዚቕመጥ ሰብ ኣየቋርጸልካን እየ፡
ዝበልክዎ፡ ንዝፋን መንግስትኻ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንዘለኣለም ከጽንዮ እየ። 6 ንስኻትኩምን ደቅኹምን
ካብ ምስዓበይ ፈጺምኩም እንተ ተመለስኩም፡ ነቲ ዝሀብኩኹም ትእዛዛተይን ሕጋጋተይን ከኣ እንተ
ዘይሐሎኹም፡ ኬድኩም ንኻልኦት ኣማልኽቲ እንተ ኣገልገልኩምን እንተ ሰገድኩምሎምን ግና፡ 7 ሽዑ
ኣነ ንእስራኤል ካብዛ ዝሀብክዎም ምድሪ ኽጽንቶም እየ፡ ነዛ ንስመይ ዝቐደስክዋ ቤት ከኣ ካብ ቅድሚ

ገጸይ ከድርብያ እየ፡ እስራኤልውን ኣብ ኩሎም ህዝብታት መመሰልን መላገጽን ኪኸውን እዩ። [8] እዛ
ቤት እዚኣ ድማ፡ ኣዝያ እኳ ልዕል እንተ በለት፡ ብእኣ ዚሓልፍ ዘበለ፡ ብእኣ ተገሪሙ ይፋጺ፡ ነዛ ሃገር
እዚኣን ነዛ ቤት እዚኣንሲ እቲ እግዚኣብሄር ዝገበረን፡ ስለምንታይ ኮን እዩ፡ ድማ ኪብሉ እዮም። [9] ነቲ
ነቦታቶም ካብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኦም እግዚኣብሄር ኣምላኾም ስለ ዝሐደግዎ፡ ካልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ
ስለ ዝሐዙን ስለ ዝሰገዱሎምን ዘገልገልዎምን፡ ስለዚ እግዚኣብሄር እዚ ኹሉ ኽፉእ ኣምጽኣሎም፡
ኢሎም ድማ ኪመልሱ እዮም። [10] ኰነ ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ እተን ሰሎሞን ነተን ክልተ ቤት፡ ቤት
እግዚኣብሄር ቤት ንጉስን፡ ዝሰርሓለን ዕስራ ዓመት፡ [11] ሒራም ንጉስ ጢሮስ ንሰሎሞን ብኦም ቄድሮስን
ብኦም ጽሕድን ብወርቅን ከም ዝደለዮ ኹሉ ምስ ሐገዞ፡ ሽዑ ንጉስ ሰሎሞን ንሒራም ኣብ ገሊላ ዕስራ
ኸተማ ሀቦ። [12] ሒራም ከኣ ነተን ሰሎሞን ዝሀቦ ኸተማታት ኪርእየን፡ ካብ ጢሮስ ወጸ፡ ግናኸ ኣብ
ዓይኑ ባህ ኣይበላኦን፡ [13] ሓወየ፡ እዘን ዝሀብካንስ እንታይ ከተማኤን እየን፡ ድማ በለ። ከምቲ ኽሳዕ ሎሚ
ዚስመያኦ ዘለዋ ኸኣ፡ ምድሪ ካቡል ኢሉ ሰመየን። [14] ሒራም ድማ ንንጉስ ሚእትን ዕስስራን ታለንት
ወርቂ ሰደደሉ። [15] ብዛዕባ እቶም ንጉስ ሰሎሞን ቤት እግዚኣብሄርን ቤቱን ሚሎን መካበብያ የሩሳሌምን
ሓጾርን ሜጊዶን ጌዘርን ኪሰርሑ ዘውጽኦም ኣብቲ ተግባሩ ዚግብሩ ኽምዚ እዩ። [16] ፈርኦን ንጉስ ግብጺ
ደዪቡ ንጌዘር ሓዛ፡ ብሓዊ ተኩሱ፡ ነቶም ኣብታ ኸተማ ዝነበሩ ከነኣናውያን ከኣ ቀቲሉ፡ ንጓሉ ንሰበይቲ
ሰሎሞን፡ ገዝማ ሀባ። [17] ሰሎሞን ከኣ ንጌዘርን ንታሕታይ ቤትሖሮንን ሰርሔን። [18] ድማ ንባዓላትን ነታ
ኣብ በረኻ እታ ሃገር ዘላ ታማርውን፡ [19] ንኹለን ናይ ሰሎሞን ዝነበራ ኸተማታት ፈረሰኛታትን ነቲ
ሰሎሞን ከም ባህጉ ገይሩ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ሊባኖስን ኣብ ኩሉ ሃገር ግዝኣቱን ኪሰርሖ ዝደለየ
ሰርሔ። [20] ነቶም ካብ ኣሞራውያንን ሔታውያንን ፈሬዛውያንን ሃዋውያንን ይቡሳውያንን ዝተረፉ፡ ካብ
ደቂ እስራኤል ዘይኰኑ ኹሎም ህዝቢ፡ [21] ነቶም ብድሕሪኦም ኣብታ ሃገር ተሪፎም ዝነበሩ ደቆም፡ ደቂ
እስራኤል ኬጽንትዎም ዘይከኣሉ፡ ንኣታቶም ሰሎሞን ክሳዕ ሎሚ ዚግበሩ ባሮት ገበሮም። [22] ካብ ደቂ
እስራኤል ግና ሰሎሞን፡ ተዋጋእትን ገላዉኡን ሹማምቱን ሓላቑኡን ዋናታት ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን
ኪኾኑ እምበር፡ ባሮት ኣይገበረን። [23] እዚኣቶም ኣብ ልዕሊ ዕዮ ሰሎሞን ዝነበሩ ሓላቑ ዋናታት ነቶም
ኣብ ዕዮ ዚዐዩ ህዝቢ ዚእዝዙ ሓሙሽተ ሚእትን ሓምሳን እዮም። [24] ጓል ፈርኦን ግና ካብ ከተማ ዳዊት
ናብታ ሰሎሞን ዝሰርሓላ ቤታ ደየበት፡ ሽዑ ንሚሎ ሰርሓ። [25] ሰሎሞን ድማ ኣብቲ ንእግዚኣብሄር
ዝሰርሓሉ መሰውኢ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣብ ዓመት ሰለስተ ሳዕ የዕርግ ነበረ፡
ምስኡ ኸኣ ዕጣን ኣብቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘሎ መሰውኢ ዐጠነ። ነታ ቤት ድማ ፈጸማ። [26]
ንጉስ ሰሎሞን ከኣ ኣብታ ኣብ ምድሪ ኤዶም ኣብ ገምገም ባሕሪ ኤርትራ፡ ኣብ ጥቓ ኤሎት ዘላ
ዔጽዮንጋበር መራኽብ ሰርሔ። [27] ሒራም ድማ በተን መራኽብ ምስ ገላዉ ሰሎሞን ባሕሪ ዚፈልጡ
ባሕረኛታት ገላዉኡ ሰደደ። [28] ናብ ኦፊር መጺኦም ከኣ ካብኣ ኣርባዕተ ሚእትን ዕስራን ታለንት ወርቂ
ወሲዱ፡ ናብ ንጉስ ሰሎሞን ድማ ኣምጽእዎ።

## ምዕራፍ 10

[1] ንግስቲ ሳባ ድማ ወረ ሰሎሞን ብዛዕባ ስም እግዚኣብሄር ምስ ሰምዔት፡ ብሕንቅሕንቅሊቶይ ክትፍትኖ
መጸት። [2] ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ጒዕዞ፡ ምስ ቀመማትን ኣዝዩ ብዙሕ ወርቅን ክቡራት ኣእማንን እተጻዕና
ኣግማል ኰይና ናብ የሩሳሌም መጸት፡ ናብ ሰሎሞን ምስ ኣተወት ድማ፡ ኣብ ልባ ዝነበረ ኹሉ
ኣዛረበቶ። [3] ሰሎሞን ከኣ ኩሉ ዘረባኣ ገለጸላ፡ ዘይገለጸላ ኻብ ንጉስ እተሰወረ ነገር ኣይነበረን። [4] ንግስቲ

ሳባ ጥበብ ሰሎሞንን እታ ዝሰርሓ ቤትን ምስ ረአየት፡ 5 መብልዕ መኣዱን ኣቓማምጣ ገላውኡን
ኣቃውማ ኣገልገልቱን ኣኸዳድናኦምን ኣሰለፍቱን ነቲ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዘድይበሉ መሳልልን ምስ
ረአየት፡ ውኖኣ ተመስጠ። 6 ንንጉስ ከኣ በለቶ፡ እቲ ኣብ ሃገረይ ከሎኹ ብዛዕባ ግብርካን ብዛዕባ
ጥበብካን ዝሰማዕክዎ ነገር ሓቂ እዩ። 7 መጺኤ ብዓይነይ ክሳዕ ዝርኢ ድማ፡ ነቲ ዘረባ ኣይኣመንክዎን፡
እንሆ ኸኣ፡ ፈረቓ እኳ ኣይነገሩንን። ካብቲ ዝሰማዕክዎ ወረ ዚበዝሕ ጥበብን ጽቡቕ ነገርን ኣሎካ፡ 8
እቶም ሰብካ ብጹኣን እዮም እዞም ወርትግ ኣብ ቅድሜኻ ደው ኢሎም ጥበብካ ዚሰምዑ ገላውኻ
ብጹኣን እዮም። 9 እቲ ኣብ ዝፋን እስራኤል ኬቕምጠካ ዝፈተወካ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብሩኽ ይኹን።
እግዚኣብሄር ንእስራኤል ንሓዋሩ ስለ ዝፈተዎ፡ ፍርድን ጽድቅን ምእንቲ ኽተውጽእ፡ ንጉስ ክትከውን
ሸሙካ። 10 ንሳ ድማ ንንጉስ ሚእትን ዕስራን ታለንት ወርቅን ኣዝዩ ብዙሕ ቀመማትን ክቡራት ኣእማንን
ሀበቶ፡ ድሕርቲ ኽምቲ ንግስቲ ሳባ ንንጉስ ሰሎሞን ዝሀበቶ ዝምብዛሑ ቐመማት ከቶ ኣይመጸን። 11
እተን ካብ ኦፊር ወርቂ ዜምጽኣ መራኽብ ሒራም ከኣ ኣዝዩ ብዙሕ ዕጨይቲ ሰንደልን ክቡራት
ኣእማንን የምጽኣ ነበራ፡ 12 ንጉስ ድማ ካብቲ ዕጨይቲ ሰንደል ንቤት እግዚኣብሄርን ንቤት ንጉስን
ዚኸውን መጋረዲታት፡ ንመዘምራን ዚኸውን መሰንቆታትን በገናታትን ገበረ። ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ
ኸምኡ ዝበለ ዕጨይቲ ሰንደል ኣይመጸን፡ ኣይተራእየን ድማ። 13 ብጃኻ እቲ ሰሎሞን ከም ናይ ንጉስ
ልግስነቱ ዝሀባ ኸኣ፡ ንጉስ ሰሎሞን ንንግስቲ ሳባ ዝለመነቶ ዘበለ ኹሉ ድላያ ሀባ። ንሳ ድማ ተመሊሳ
ምስ ገላውኣ ናብ ሃገራ ኸደት፡ 14-15 ብዘይ እቲ ብሰብ ሸቕጥን ብንግድ ቃፍላይን ካብ ኲሎም ነገስታት
ዓረብን ካብ ራእስታት ሃገርን ዝመጸ፡ ሚዛን እቲ ንሰሎሞን ብሓንቲ ዓመት ዚኣትዎ ዝነበረ ወርቂ
ሹድሽተ ሚእትን ስሳን ሹድሽተን ታለንት ወርቂ ነበረ። 16 ንጉስ ሰሎሞን ድማ ክልተ ሚእቲ ዓበይቲ
ዋልታ ቕትቁጥ ወርቂ ሰርሔ፡ ነንሓደ ዋልታ ሹድሽተ ሚእቲ ሲቃል ወርቂ ወድኤ። 17 ሰለስተ ሚእቲ
ሲቃል ቀርቂ ወድኤ። ሰለስተ ሚእቲ ናእሽቱ ዋልታ ቕትቁጥ ወርቂ ኸኣ ሰርሔ፡ ነንሓደ ዋልታ ሰለስተ
ምና ወርቂ ወድኤ። እቲ ንጉስ ድማ ኣብታ ቤት ዱር ሊባኖስ ኣንበሮ። 18 ንጉስ ድማ ብስኒ ሓርማዝ
ዓብዪ ዝፋን ሰርሔ፡ ብጽሩይ ወርቂውን ለበጦ። 19 እቲ ዝፋን ሹድሽተ መደያይቦ ነበሮ፡ ርእሲ እቲ
ዝፋን ከኣ ብሸነኽ ድሕሪት ከቢብ ነበረ። እቲ ኾፍ መበሊ ድማ በዝን በትን መደገፍ ኣእዳው ነበሮ፡ ኣብ
ጎቦ እቲ መደገፍ ኣእዳው ከኣ ክልተ ኣንበሳ ደው ኢሎም ነበሩ። 20 ኣብቲ ሹድሽተ መደያይቦ ድማ፡
ኣብኡ በዝን በትን ዓሰርተው ክልተ ኣንበሳ ደው ኢሎም ነበሩ። ከምዚ ዝበለ ኣብ ኲለን መንግስትታት
ኣይተገብረን። 21 ናይ ንጉስ ሰሎሞን ኣቕሑ መሳተያ ዘበለ ድማ ወርቂ ነበረ፡ ናይ ቤት ዱር ሊባኖስ ኲሉ
ኣቕሑ ከኣ ጽሩይ ወርቂ ነበረ፡ ናይ ብሩር ኣይነበረን፡ ንሱስ ብዘመን ሰሎሞን ገለ እኳ ኣይቕኑጸርን ነበረ።
22 ንጉስ ምስ መራኽብ ሒራም ኣብ ባሕሪ መራኽብ ተርሲስ ነበራኦ እሞ፡ እተን መራኽብ ተርሲስ
ወርቅን ብሩርን ስኒ ሓርማዝን ህበይን ኣዕዋፍን ተጻዒነን ኣብ ሰለስተ ዓመትሲ ሓንሳእ ይመጻ ነበራ። 23
በዚ ኸምዚ ንጉስ ሰሎሞን ብሃብትን ብጥበብን ካብ ኲሎም ነገስታት ምድሪ ዐበየ፡ 24 ብዓለሙ ነቲ
ኣምላኽ ኣብ ልቡ ዝሀቦ ጥበቡ ኺሰምዕስ፡ ገጽ ሰሎሞን ኪርኢ ይደሊ ነበረ። 25 ንሳቶም ድማ ነፍሲ
ወከፎም ገገጽ በረኸቶም፡ ኣቕሑ ብሩርን ወርቅን ክዳውንትን ኣጽዋርን ቀመማትን ኣፍራስን ኣባቕልን
ዓመት ንዓመት የምጽኡ ነበሩ። 26 ሰሎሞን ከኣ ሰረገላታትን ፈረሰኛታትን ኣከበ እሞ፡ ሽሕን ኣርባዕተ
ሚእትን ሰረገላን ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ፈረሰኛታትን ነበርዎ፡ ኣብ ከተማታት ሰረገላን ኣብ የሩሳሌም
ምስ ንጉስን ድማ ኣቐመጦም። 27 እቲ ንጉስ ከኣ ንብሩር ኣብ የሩሳሌም ከም እምኒ ገበሮ፡ ንቄድሮስውን
ኣብ ቈላ ኸም ዘሎ ሳግላ ዝምብዛሑ ገበሮ። 28 እቶም ኣፍራስ ሰሎሞን ድማ ካብ ግብጺ እዮም ዝወጹ
ዝነበሩ፡ እቶም ናይ ንጉስ ነጋዶ ቓፍላይ ከኣ ነንመጓሴ ብቕኑጽ ዋጋ ይወስዱ ነበሩ። 29 ካብ ግብጺ

ዝወጽእ ሰረገላ ድማ ነንሓደ ሹድሽተ ሚእቲ ሲቃል ብሩር ይወጽእ ነበረ። ሓደ ፈረስ ከኣ ብሚእትን ሓምሳን። ንኹሎም ነገስታት ሔታውያንን ንነገስታት ሶርያን ድማ ከምኡ እናገበሩ በእዳዎም የውጽኡሎም ነበሩ።

## ምዕራፍ 11

1 ንጉስ ሰሎሞን ብዘይ ጓል ፈርኦን ድማ ብዙሓት ጓኖት ኣንስቲ፡ ሞኣባውያን፡ ዓሞናውያን፡
ኤዶማውያን፡ ሲዶናውያን፡ ሔታውያን ፈተወ፡ 2 ካብቶም እግዚኣብሄር ንደቂ እስራኤል ብዛዕባኦም፡
ንሳቶም ንልብኹም ብርግጽ ናብ ኣማልኽቶም ኬዘንብልዎ እዮም እሞ፡ ናባታቶም ኣይትኺዱ፡ ንሳቶም
ከኣ ናባኻትኩም ኣይምጽኡ፡ ዝበሎም ህዝብታት፡ ሰሎሞን ብፍቕሪ ምሳታተን ጠበቐ። 3 ሾብዓተ ሚእቲ
ንግስታት ኣንስትን ሰለስተ ሚእቲ ኣንስቲ ወሰንን ነበራኦ። እተን ኣንስቱ ኸኣ ልቡ ኣዘንበላኦ። 4 ኰነ
ድማ፡ ብጊዜ እርግና ሰሎሞን እተን ኣንስቱ ንልቡ ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኣዘንበላኦ። ስለዚ ልቡ፡
ከም ልቢ ኣቦኡ ዳዊት፡ ፍጹም ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኣይኰነን። 5 ሰሎሞን ከኣ ደድሕሪ ኣስታርተ፡
እታ ኣምላኽ ሲዶናውያንን ደድሕሪ ሚልኮም፡ ጽያፍ ዓሞናውያንን ከደ። 6 ሰሎሞን ድማ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ከም ኣቦኡ ዳዊት ገይሩ ፈጺሙ ንእግዚኣብሄር ኣይሰዐቦን። 7 ሽዑ ሰሎሞን
ንከሞሽ ጽያፍ ሞኣብን፡ ንሞሌኽ ጽያፍ ደቂ ዓሞንን፡ ኣብቲ ኣብ መንጽር የሩሳሌም ዘሎ ኸረን በረኽቲ
ሰርሔ። 8 ንኹላተን እተን ጓኖት ኣንስቱ፡ ንኣማልኽተን ዚዕጥናን ዚስውኣን ከኣ፡ ከምኡ ሰርሓለን። 9
እግዚኣብሄር ድማ ንሰሎሞን፡ ልቡ ኻብቲ ኽልተ ሳዕ እተራእዮ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ስለ
ዝዘንበለ፡ ተቘጥዖ። 10 ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ድማ ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኸይከይድ ኣዚዝዎ ነበረ፡
ነቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞ ግና ኣይሐለዎን። 11 ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ንሰሎሞን በሎ፡ እዚ ኣባኻ ስለ
እተገብረ፡ ነቲ ዝኣዘዝኩኻ ኺዳነይን ሓጋጋትን ድማ ስለ ዘይሐሎካዮ፡ ነዛ መንግስቲ ብርግጽ ካባኻ
ቐዲደ ንጊልያኻ ኽህቦ እየ። 12 እዚ ግና ምእንቲ ኣቦኻ ዳዊት ብዘመንካ ኣይገብሮን፡ ካብ ኢድ ወድኻ እየ
ዝቕዳ። 13 ግናኸ ነታ መንግስቲ ብዘላስ ኣይቀዳን እየ፡ ምእንቲ ባርያይ ዳዊትን ምእንቲ እታ ዝሐሬኽዋ
የሩሳሌምን ኢለ ንወድኻ ሓደ ነገድ ክህቦ እየ። 14 እግዚኣብሄር ድማ ንሰሎሞን ተጻራሪ ሃዳድ ኤዶማዊ
ኣተንስኣሉ፡ ንሱ ኻብ ዘርኢ ነገስታት ኤዶም ነበረ። 15 ኰነ ድማ፡ ዳዊት ኣብ ኤዶም ከሎ፡ ዮኣብ እቲ
ሓለቓ ሰራዊት ድማ ነቶም ቅቱላት ኪቐርብ ምስ ደየበ፡ ኣብ ኤዶም ንዝነበረ ዅሉ ተባዕታይ ኪቐትል
ከሎ፡ 16 ዮኣብን ብዘሎ እስራኤልን ኣብ ኤዶም ንዝነበረ ዅሉ ተባዕታይ ክሳዕ ዜጽንቱስ፡ ኣብኡ ሹድሽተ
ወርሒ ተቐመጡ። 17 ሃዳድ ከኣ፡ ንሱን ገለ ኤዶማውያንን ካብ ገላዉ ኣቦኡ ድማ ምስኡ ኾይኖም ናብ
ግብጺ ኪኸዱ ሀደሙ፡ ሃዳድ ሽዑ ንእሽቶ ቘልዓ ነበረ። 18 ካብ ሚድያን ተላዒሎም ከኣ ናብ ጳራን
መጹ፡ ካብ ጳራን ሰባት ወሲዶም ድማ ናብ ግብጺ ናብ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ መጹ። ንሱ ኸኣ ቤት ሀቦ፡
ቀለብውን ኣዘዘሉ፡ ምድሪ ድማ ሀቦ። 19 ሃዳድ ከኣ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ብዙሕ ሞገስ ረኸበ፡ ንሱ ድማ
ሓብቲ ሰበይቱ፡ ሓብቲ ንግስቲ ታሕጵኔስ ሰበይቲ ኽትኰኖ ሀቦ። 20 እዛ ሓብት ታሕጵኔስ ከኣ ጌኑባት
ዚብሀል ወዲ ወለደትሉ። ታሕጵኔስ ድማ ኣብ ቤት ፈርኦን ጡብ ኣሕደገቶ፡ ጌኑባት ከኣ ኣብ ቤት ፈርኦን
ኣብ ማእከል ደቂ ፈርኦን ነበረ። 21 ሃዳድ ድማ ኣብ ግብጺ ኸሎ ዳዊት ምስ ኣቦታቱ ኸም ዝደቀሰ፡ ዮኣብ
ሓላቓ ሰራዊትውን ከም ዝሞተ፡ ምስ ሰምዔ፡ ሃዳድ ንፈርኦን፡ ናብ ሃገረይ ክኸይድሲ ኣሰናብተኒ፡ በሎ።
22 ፈርኦን ግና፡ እንሆ፡ ናብ ሃገርካ ኽትከይድ እትደልስ፡ ምሳይ ከሎኻ እንታይ ጐዲሉካ፡ በሎ። ንሱ
ኸኣ፡ ገለ እኳ፡ ግናኸ ኣሰናብተኒ ደኣ፡ በሎ። 23 ኣምላኽ ድማ ካልእ ተጻራሪ፡ እቲ ኻብ ጐይትኡ ኻብ

ሃዳድዔዘር ንጉስ ጾባ ዝሀደመ ሬዞን ወዲ ኤልያዳዕ ኣተንስኣሉ፡ [24] ንሱ፡ በታ ዳዊት ንሰብ ጾባ ዝቐተለላ
ጊዜ፡ ሰባት ኣኪቡ ሓለቓ ጭፍራ ኰነ። ናብ ደማስቆ ኸይዶም ኣብኡ ተቐመጡ። ኣብ ደማስቆውን
ነገሱ። [25] ንሱ ድማ ምስቲ ሃዳድ ዝገበሮ ኽፉእ ብዂሉ ዘመን ሰሎሞን ጸረ እስራኤል ኰይኑ ነበረ እሞ፡
ንእስራኤል ጸየፎ፡ ኣብ ልዕሊ ሶርያ ኸኣ ነገሰ። [26] የሮብዓም ጊልያ ሰሎሞን፡ ወዲ ናባጥ ኤፍራታዊ፡ ካብ
ጸሬዳ፡ ስም ኣዲኡ ጽሩዓ፡ ንሳ ከኣ መበለት ነበረት፡ ንሱ ድማ ኢዱ ኣብ ንጉስ ኣልዐለ። [27] እቲ ኢዱ ኣብ
ንጉስ ዘልዐሎ ምኽንያት ከኣ እዚ እዩ፡ ሰሎሞን ንሚሎ ሰርሓ፡ ነቲ ፍራስ ከተማ ኣቦኡ ዳዊትውን ጸገኖ።
[28] የሮብዓም ድማ ሓያል ጅግና ሰብኣይ ነበረ። ሰሎሞን ከኣ እቲ ጐበዝ፡ ንሱ ትጉህ ዓያዪ ኸም ዝኾነ
ርእዩ፡ ኣብ ልዕሊ ዂሉ ዕዮ ቤት ዮሴፍ ኣመዘዞ። [29] ኰነ ድማ፡ በቲ ዘመን እቲ የሮብዓም ካብ የሩሳሌም
ወጸ፡ ነብዩ ኣሒያ እቲ ሺሎናዊ ኸኣ ኣብ መገዲ ረኸቦ። ንሱ ድማ ሓድሽ ክዳን ተኸዲኑ ነበረ።
ክልቲኦም ከኣ በይኖም ኣብ መሮር ነበሩ። [30] ኣሒያ ድማ ነቲ ተኸዲንዎ ዝነበረ ሓድሽ ክዳን ሒዙ ኣብ
ዓሰርተው ክልተ ቍራጽ ቈራረጾ። [31] ንየሮብዓም ከኣ በሎ፡ ዓሰርተ ቒራጽ ንኣኻ ውሰድ፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ እሞ፡ እንሆ፡ ነታ መንግስቲ ኻብ ኢድ ሰሎሞን ክቐዳ እየ፡ ዓሰርተ
ነገድ ድማ ንኣኻ ኽህበካ እየ። [32] ምእንቲ ባርያይ ዳዊትን ምእንቲ እታ ኻብ ኲሎም ነገዳት እስራኤል
ዝሐሬኽዋ ኸተማ የሩሳሌምን ግና እቲ ሓደ ነገድ ንእኡ ይኹን። [33] ንኣይ ሐዲጎም ንኣስታርተ፡ ነታ
ኣምላኽ ሲዶናውያን፡ ንኸሞጽ ኣምላኽ ሞኣብ፡ ንሚልኮም ኣምላኽ ደቂ ዓሞን ስለ ዝሰገዱ፡ ከም ኣቦኡ
ዳዊት ገይሮም እቲ ኣብ ቅድመይ ቅኑዕ ዝኾነን እቲ ሕጋጋተይን ፍርድታተይን ኪገብሩ ድማ ብመገደይ
ኣይከዱን። [34] ግናኸ ምእንቲ እቲ ዝሐሬኽዎ ባርያይ ዳዊት ኢለ፡ ብዂሉ ዘመን ህይወቱ መስፍን እገብሮ
እምበር፡ ነታ መንግስቲ ብዘላስ ካብ ኢዱ ኣይወስዳን እየ። [35] ግናኸ ካብ ኢድ ወዱ ነታ መንግስቲ
ኽወስዳ እየ፡ ንኣኻ ድማ እቶም ዓሰርተ ነገድ ክህበካ እየ። [36] ኣብ ቅድመይ ኣብታ ስመይ ኣብኣ ኸንብር
ዝሐሬኽዋ ኸተማ የሩሳሌም፡ ንባርያይ ዳዊት ኲሉ ዘመን መብራህቲ ምእንቲ ኺህልዎስ፡ ንወዱ ሓደ
ነገድ ክህቦ እየ። [37] ንኣኻ ወሲደ ድማ ኣብቲ ነፍስኻ ዝፈተወቶ ዘበለ ኽትገዝእ፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤልውን
ክትነግስ ኢኻ። [38] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ዝኣዘዝኩኻ ዘበለ እንተ ሰማዕካ ብመገደይ ከኣ እንተ ተመላለስካ፡
ኣብ ቅድመይውን ቅኑዕ ዝኾነ እንተ ገበርካ፡ ከምቲ ባርያይ ዳዊት ዝገበሮ ኸኣ ትእዛዛተይን ሕጋጋተይን
እንተ ሐሎኻ፡ ምሳኻ ክኸውን እየ፡ ከምቲ ንባርያይ ዳዊት ዝሰራሕኩሉ፡ ንኣኻ ኸኣ ጽንዕቲ ቤት
ክሰርሓልካ እየ፡ እስራኤልውን ንኣኻ ኽህበካ እየ። [39] ምእንቲ እዚ ንዘርኢ ዳዊት ከዋርዶ እየ፡ ግናኸ
ንዂሉ ዘመን ኣይኰነን። [40] ስለዚ ሰሎሞን ንየሮብዓም ኪቐትሎ ደለየ፡ የሮብዓም ግና ተንሲኡ ናብ
ሺሻቅ ንጉስ ግብጺ፡ ናብ ግብጺ ሀደመ። ክሳዕ ሞት ሰሎሞን ከኣ ኣብ ግብጺ ነበረ። [41] እቲ ዝተረፈ ናይ
ሰሎሞን ነገር፡ እቲ ዝገበሮ ዂሉን ጥበቡን፡ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ሰሎሞንዶ ተጽሒፉ ኣይኰነን [42] እቲ
ሰሎሞን ኣብ ልዕሊ ዂሉ እስራኤል ኣብ የሩሳሌም ዝነገሰሉ ዘመን ኣርብዓ ዓመት ነበረ። [43] ሰሎሞን
ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ኣቦኡ ዳዊትውን ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ሮብዓም ነገሰ።

## ምዕራፍ 12

[1] ብዘሎ እስራኤል ንሮብዓም ኬንግሶ ናብ ሴኬም መጺኡ ነበረ እሞ፡ ንሱ ድማ ናብ ሴኬም ከደ። [2] ኰነ
ኸኣ፡ የሮብዓም ወዲ ናባጥ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ንሱ ገና ኣብ ግብጺ፡ ኣብቲ ኻብ ቅድሚ ንጉስ ሰሎሞን
ዝሀደሞ ነበረ እሞ፡ የሮብዓም ኣብ ግብጺ ይቕመጥ ነበረ። [3] ልኢኾም ድማ ጸውዕዎ። ሽዑ የሮብዓምን
ብዘሎ ማሕበር እስራኤልን መጺኦም ንሮብዓም፡ [4] ኣቦኻ ኣርዑትና ኣበርትዓልና፡ ሕጂ ድማ ንስኻ ነቲ

ብርቱዕ ኣገዛዝእ ኣቦኻን ነቲ ዝሰቐለልና ኸቢድ ኣርዑቱን ኣቕልለልና፡ ንሕናውን ክንግዝኣካ ኢና፡
ኢሎም ተዛረብዎ። [5] ንሱ ድማ፡ ንሰለስተ መዓልቲ ኺዱ እሞ ናባይ ተመለሱ፡ በሎም። እቶም ህዝቢ ኸኣ
ከዱ። [6] ንጉስ ሮብዓም ድማ ምስቶም ኣቦኡ ሰሎሞን ብህይወቱ ኸሎ ኣብ ቅድሚኡ ደው ዚብሉ ዝነበሩ
ዓበይቲ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ዝመልሶ ነገር እንታይ ትመኽሩኒ፡ ኢሉ ተማኸረ። [7] ንሳቶም ከኣ፡ ነዚ ህዝቢ
እዚ ሎሚ ጊልያ እንተ ኾንካዮ፡ እንተ ኣገልገልካዮም፡ ምላሽ ድማ እንተ ሀብካዮም፡ ጽቡቕ ቃልውን
እንተ ተዛረብካዮም፡ ሽዑ ንሳቶም ንሓዋሩ ገላዉ ኪኾኑኻ እዮም፡ ኢሎም ተዛረብዎ። [8] ንሱ ግና ነቲ
እቶም ዓበይቲ ዘማኸርዎ ምኽሪ ሓዲጉስ፡ ምስቶም ምስኡ ዝዐበዩ ኣብ ቅድሚኡ ደው ዚብሉ መንእሰይ
ተማኸረ [9] እሞ፡ ነዞም፡ እቲ ኣቦኻ ዝሰቐለልና ኣርዑት ኣቕልለልና፡ ዚብሉኒ ህዝቢ እዚኦም
እንመልሰሎም ነገር እንታይ ተማኽሩኒ፡ በሎም። [10] እቶም ምስኡ ዝዐበዩ መንእሰይ ከኣ ነዞም ኣቦኻ
ኣርዑትና ኣኽቢዱልና እዩ እሞ፡ ንስኻ ኻብ ልዕሌና ኣቕልለልና፡ ኢሎም እተዛረቡኻ ህዝቢ እዚኦም፡ እዛ
ንእሽቶ ኣጻብዔይ ካብ ሕቔ ኣቦይ ትረጕድ። [11] ሕጂ ድማ ኣቦይ ከቢድ ኣርዑት ጸዐነኩም፡ ኣነ ኸኣ ኣብ
ልዕሊ ኣርዑትኩም ክውስኸልኩም እየ። ኣቦይ ብሓለንጊ ገረፈኩም፡ ኣነ ግና ብጭጕራፍ ክገርፈኩም
እየ፡ በሎም፡ ኢሎም መለሱሉ። [12] ከምቲ እቲ ንጉስ፡ በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ተመለሱኒ፡ ኢሉ
እተዛረቦም ድማ፡ የሮብዓም ኲሉ እቲ ህዝብን ኰይኖም በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ናብ ሮቦኣም መጹ። [13]
ሽዑ እቲ ንጉስ ነቲ እቶም ዓበይቲ ዝመኸርዎ ምኽሪ ሓዲጉ ነቶም ህዝቢ ኣበርቲዑ መለሰሎም፡ [14] ኣቦይ
ኣርዑትኩም ኣኽበደልኩም፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኣርዑትኩም ክውስኸልኩም እየ። ኣቦይ ብሓለንጊ
ገረፈኩም፡ ኣነ ግና ብጭጕራፍ ክገርፈኩም እየ፡ ኢሉ ኸምቲ ምኽሪ እቶም መንእሰይ ገይሩ ተዛረቦም።
[15] ነቲ እግዚኣብሄር ንየሮብዓም ወዲ ናባጥ ብኣሒያ ሺሎናዊ ተዛሪብዎ ዝነበረ ቓሉ ምእንቲ ኬቕሞ፡
እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ተመዲቡ ነበረ እሞ፡ እቲ ንጉስ ነቲ ህዝቢ ኣይሰምዖን። [16] ሽዑ ብዘለዉ እስራኤል
ንጉስ ከም ዘይሰምዖም ምስ ረአዩ፡ እቶም ህዝቢ ንንጉስ፡ ኣብ ዳዊት እንታይ ክፍሊ ኣሎና፡ ኣብ ወዲ
እሴይ ርስቲ የብልናን። ዎ እስራኤል፡ ነናብ ድንኳንካ ተመለስ። ኣታ ዳዊት፡ ሕጂስ ቤትካ ሐሉ፡ ዚብል
ዘረባ መለሱሉ። ሽዑ እስራኤል፡ ነናብ ድንኳኑ ኸደ። [17] የሮብዓም ግና ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ከተማታት
ይሁዳ ዚቕመጡ ዝነበሩ ደቅሲ እስራኤል ነገሰ። [18] ንጉስ ሮብዓም ድማ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ገባር
ተሸይሙ ዝነበረ ኣዶራም ሰደዶ፡ ብዘለዉ እስራኤል ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ፡ ሞተ ኸኣ። ንጉስ ሮብዓም
ድማ ናብ የሩሳሌም ኪሀድም ተቐላጢፉ ናብ ሰረገላ ደየበ። [19] በዚ ኸምዚ እስራኤል ካብ ቤት ዳዊት
ክሳዕ ሎሚ ዐልዮም ኣለዉ። [20] ኰነ ድማ፡ ብዘለዉ እስራኤል የሮብዓም ከም እተመልሰ ምስ ሰምዑ፡
ልኢኾም ናብቲ ኣኼባ ጸውዕዎ እሞ ኣብ ልዕሊ ብዘሎ እስራኤል ኣንገስዎ። ብጀካ ነገድ ይሁዳ ጥራይ
ንቤት ዳዊት ዝሰዐባ ኣይነበረን። [21] ሮብዓም ናብ የሩሳሌም ምስ መጸ ድማ፡ ምስ ቤት እስራኤል
ተዋጊኦም ነታ መንግስቲ ናብ ሮብዓም ወዲ ሰሎሞን ኪመልስዋ፡ ንብዘላ ቤት ይሁዳን ንነገድ ብንያምን
ሚእትን ሰማንያን ሽሕ ሕሩያት ተዋጋእቲ ኣኽተተ። [22] ግናኸ ናብ ሸማዕያ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከምዚ
ዚብል ቃል ኣምላኽ መጸ፡ [23] የሮብዓም ንጉስ ይሁዳ ወዲ ሰሎሞንን ንብዘላ ቤት ይሁዳን ንብንያምን
ነቶም ዝተረፉ ህዝቢውን ከምዚ በሎም፡ [24] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እዚ ነገር እዚ ኻባይ እዩ
እሞ፡ ምስ ኣሕዋትኩም ደቂ እስራኤል ክትዋግኡ ኣይትደይቡ፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ቤቱ ይመለስ። ንሳቶም
ከኣ ቃል እግዚኣብሄር ሰሚዖም፡ ከምቲ ዘረባ እግዚኣብሄር ተመሊሶም ከዱ። [25] የሮብዓም ድማ ንሴኬም
ኣብ ከረን ኤፍሬም ሰርሓ፡ ኣብኣውን ተቐመጠ። ካብኣ ወጺኡ ኸኣ ንጰኑኤል ሰርሓ። [26] የሮብዓም ድማ
ብልቡ፡ ሕጂ እዛ መንግስቲ ናብ ቤት ዳዊት ክትምለስ እያ። [27] እዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር
መስዋእቲ ሕሩድ ኪስውእ ናብ የሩሳሌም እንተ ደየበ፡ ልቢ እዚ ህዝቢ እዚ ናብ ጐይታኦም፡ ናብ

የሮብዓም ንጉስ ይሁዳ ኺምለስ እዩ እሞ፡ ቐቲሎምኒ ናብ ሮብዓም ንጉስ ይሁዳ ኺምለሱ እዮም፡ በለ።
28 እቲ ንጉስ ድማ መኺሩ ኽልተ ምራኹት ወርቂ ገበረ፡ ዎ እስራኤል፡ ናብ የሩሳሌም ምድያብ
ይበዝሓኩም እዩ፡ እቶም ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቡኻ ኣማልኽትኻ እነዉልካ፡ ድማ በሎም። 29 ነቲ ሓደ
ኣብ ቤትኤል ኣንበሮ፡ ነቲ ሓደ ኸኣ ኣብ ዳን ገበሮ። 30 እቲ ህዝቢ ኣብ ቅድሚ እቲ ሓደ ኺሰግድ ክሳዕ
ዳን ይኸይድ ነበረ እሞ፡ እዚ ነገር እዚ ንሓጢኣት ኰነ። 31 ኣብ በረኽቲውን ኣባይቲ ሰርሔ፡ ካብ ደቂ
ሌዊ ዘይኰኑ ኸኣ፡ ካብቲ ህዝቢ ማንም ካህናት ገበረ። 32 የሮብዓም ድማ ኣብ ሳምነይቲ ወርሒ፡ ኣብታ
ወርሒ ኸኣ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ ኸምቲ ኣብ ይሁዳ ዚግበር በዓል፡ በዓል ገበረ፡
ናብቲ መሰውኢ ድማ ደየበ። ነቶም ዝገበሮም ምራኹት ኪስውኣሎም ኣብ ቤትኤል ከምኡ ገበረ። ናይቲ
ዝገበሮ በረኽቲ ኸኣ ካህናት ኣብ ቤትኤል ኣቘመ። 33 ብሳምነይቲ ወርሒ፡ ብመበል ዓሰርተው ሓሙሽተ
መዓልቲ፡ በታ ብልቡ ዝመደባ ወርሒ ናብቲ ኣብ ቤትኤል ዝሰርሖ መሰውኢ ደየበ። ንደቂ እስራኤል
ከኣ በዓል ገበረሎም፡ ኪዐጥን ድማ ናብቲ መሰውኢ ደየበ።

# ምዕራፍ 13

1 የሮብዓም ኪዐጥን ኣብ መሰውኢ ደው ኢሉ ኸሎ ድማ፡ እንሆ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብቓል እግዚኣብሄር
ካብ ይሁዳ ናብ ቤትኤል መጸ። 2 ብቓል እግዚኣብሄር ከኣ ኣብቲ መሰውኢ ጨደሩ፡ ኣታ መሰውኢ፡ ኣታ
መሰውኢ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብለካ ኣሎ፡ ንቤት ዳዊት ዮስያስ ዝስሙ ወዲ ኺውለደላ እዩ። ንሱ
ነቶም ኣባኻ ዚዐጥኑ ኻህናት በረኽቲ ኣብ ልዕሌኻ ኺስውኦም እዩ፡ ኣዕጽምቲ ሰብውን ኣባኻ ኼንድዱ
እዮም፡ በለ። 3 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ከምዚ ኢሉ ምልክት ሀበ፡ እቲ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ምልክት
እዚ እዩ፡ እንሆ እቲ መሰውኢ ኺነቅዕ እዩ፡ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ሓመኹስቲ ኸኣ ፋሕ ኪብል እዩ። 4
ኰነ ድማ፡ እቲ ንጉስ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ቤትኤል ዘሎ መሰውኢ ዝጨደሮ ነገር
ምስ ሰምዔ፡ የሮብዓም ካብቲ መሰውኢ ኢዱ ዘርጊሑ፡ ሓዝዎ፡ በለ። እታ ዝዘርግሓሉ ኢዱ ግና ነቐጸት
እሞ ናብኡ ኺመልሳ ኣይከኣለን። 5 ከምቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ብቓል እግዚኣብሄር ዝሀቦ ምልክት ድማ፡
እቲ መሰውኢ ነቕዔ፡ እቲ ሓሙኹስቲውን ፋሕ በለ። 6 ሽዑ እቲ ንጉስ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ እዛ ኢደይ
ክትምለሰለይሲ፡ በጃኻ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተማህሊልካ ምእንታይ ለምኖ፡ ኢሉ
መለሰሉ። ኣቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከኣ ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ እታ ኢድ ንጉስ ድማ
ናብኡ ተመለት፡ ከም ቀደማውን ኰነት። 7 እቲ ንጉስ ከኣ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ምሳይ ናብ ቤት እቶ
እሞ ብላዕ፡ ህያብውን ክህበካ እየ፡ በሎ። 8-9 እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ግና ነቲ ንጉስ፡ እንጌራ ኣይትብላዕ፡
ማይ ድማ ኣይትስተ፡ በታ ዝኸድካያ መገዲውን ኣይትመለስ፡ ብዚብል ቃል እግዚኣብሄር ተኣዚዘ እየ
እሞ፡ ፈረቓ ቤትካ እንተ ትህበኒ እኳ፡ ምሳኻስ ኣይኣቱን፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ኸኣ እንጌራ ኣይበልዕን
ማይውን ኣይሰትን፡ በሎ። 10 ብኻልእ መገዲ ኸኣ ከደ፡ በታ ናብ ቤትኤል ዝመጸላ መገድስ
ኣይተመልሳን። 11 ኣብ ቤትኤል ድማ ሓደ ኣረጊት ነብዪ ነበረ። ሓደ ኻብ ደቁ መጺኡ ኸኣ እቲ ናይ
ኣምላኽ ሰብ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ቤትኤል ዝገበሮ ኹሉ ግብሪ፡ እቲ ንንጉስ እተዛረቦ ነገር
ኣዘንተወሉ፡ ንሳቶም ከኣ ነቦኦም ኣዘንተዉሉ። 12 ኣቦኦም ከኣ፡ በየነይቲ መገዲ ኸይዱ፡ በሎም። እቶም
ደቁ ድማ እቲ ኻብ ይሁዳ ዝመጸ ናይ ኣምላኽ ሰብ ዝኸደላ መገዲ ርእዮም ነበሩ። 13 ነቶም ደቁ ኸኣ፡
ኣድጊ ጽዐኑለይ፡ በሎም። ኣድጊ ድማ ጸዐኑሉ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ተወጥሔ። 14 ደድሕሪ እቲ ናይ ኣምላኽ
ሰብ ድማ ኸደ፡ ኣብ ትሕቲ ድዋ ተቐሚጡ ኸኣ ረኸቦ፡ እቲ ኻብ ይሁዳ ዝመጸ ናይ ኣምላኽ ሰብ ንስኻ

ዲኻ፡ ድማ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እወ፡ ኣነ እየ፡ በለ። 15 ንሱ ድማ፡ ምሳይ ናይ ቤት ንዓ እሞ እንጌራ ብላዕ፡
በሎ። 16-17 ንሱ ግና፡ ኣብኣ እንጌራ ኣይትብላዕ፡ ማይ ከኣ ኣይትስተ፡ በታ ናብኣ ዝኸድካላ መገዲውን
ኣይትመለስ፡ ኢሉ ብቓል እግዚኣብሄር ተዛሪቡኒ እዩ እሞ፡ ምሳኻ ኽምለስ ምሳኻ ኽኣቱን ኣይክእልን፡
ኣብዛ ቦታ እዚኣውን ምሳኻ እንጌራ ኣይበልዕን ማይ ድማ ኣይሰትን፡ በለ። 18 ንሱ ኸኣ፡ ኣነውን ካማኻ
ነብዪ እየ፡ መልኣኽ ድማ፡ እንጌራ ኺበልዕን ማይ ከኣ ኪሰትን ምሳኻ ናብ ቤትካ ምለሶ፡ ኢሉ ብቓል
እግዚኣብሄር ተዛሪቡኒ፡ በሎ። ግናኸ ሐሰይዎ እዩ። 19 ምስኡ ተመልሰ፡ ኣብ ቤቱ ድማ እንጌራ በልዔ፡
ማይውን ሰተየ። 20 ኰነ ኸኣ፡ ንሳቶም ኣብ መኣዲ ኾፍ ኢሎም ከለዉ፡ ነቲ ዝመለሶ ነብዪ ቓል
እግዚኣብሄር መጾ። 21 ነቲ ኻብ ይሁዳ ዝመጾ ናይ ኣምላኽ ሰብ ድማ ከምዚ ኢሉ ጨደረሉ፡
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንኣፍ እግዚኣብሄር ስለ ዝዐሎኻዮ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ዝኣዘዘካ ትእዛዝውን ስለ ዘይሐሎኻዮ፡ 22 ኣብታ እንጌራ ኣይትብልዓላ ማይ ከኣ ኣይትስተየላ ዝበለካ ቦታ
ተመሊስካ እንጌራ በላዕካ፡ ማይ ድማ ሰቴኻ፡ ስለዚ ሬሳኻ ኣብ መቓብር ኣቦታትካ ኣይኣቱን እዩ። 23
ኰነ ድማ፡ እንጌራ ምስ በልዔን ምስ ሰተየን፡ ነቲ ዝመለሶ ነብዪ ኣድጊ ጸዐነሉ። 24 ምስ ከደ ኸኣ፡ ኣብ
መገዲ ኣንበሳ ረኸቦ እሞ ቐተሎ። ሬሳኡ ድማ ኣብ መገዲ ተደርብዩ ነበረ፡ እቲ ኣድጊ ኸኣ ኣብ ጥቓኡ
ደው በለ፡ እቲ ኣንበሳውን ኣብ ጥቓ እቲ ሬሳ ደው ኢሉ ነበረ። 25 እንሆ ኸኣ፡ ዚሐልፉ ሰባት ሬሳኡ ኣብ
መገዲ ተደርብዩ፡ እቲ ኣንበሳውን ኣብ ጥቓ እቲ ሬሳ ደው ኢሉ ረአዩ። ናብታ እቲ ኣረጊት ነብዪ ዘለዋ
ኸተማ መጺኦም ድማ እዚ ነገሩ። 26 እቲ ኻብ መገዱ ዝመለሶ ነብዪ ኸኣ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ንሱ እቲ ንኣፍ
እግዚኣብሄር ዝዐለወ ናይ ኣምላኽ ሰብ እዩ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ንእኡ እተዛረቦ ዘረባ ድማ፡
እግዚኣብሄር ንኣንበሳ ኣሕሊፉ ሂብዎ፡ ሰቢሩስ ቀቲልዎ ኸኣ፡ በለ። 27 ንደቁ ድማ፡ ኣድጊ ጽዐኑለይ፡ ኢሉ
ተዛረቦም፡ ጸዐኑሉ ኸኣ። 28 ንሱ ኸደ እሞ ነቲ ሬሳኡ ኣብ መገዲ ተደርብዩ ረኸቦ፡ እቲ ኣድግን እቲ
ኣንበሳን ድማ ኣብ ጥቓ እቲ ሬሳ ድው ኢሎም ጸንሑ። እቲ ኣንበሳ ነቲ ሬሳ ኣይበልዖን፡ ነቲ ኣድጊውን
ኣይሰበሮን። 29 ሽዑ እቲ ነብዪ ሬሳ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣልዒሉ ኣብ ኣድጊ ድማ ጽዒኑ መለሶ።
ኪበኽየሉን ኪቐብሮን ከኣ ናብ ከተማ እቲ ኣረጊት ነብዪ መጸ። 30 ነቲ ሬሳኡ ድማ ናብ መቓብሩ ኣንበሮ
እሞ፡ ዋይዋይ ሓወይ፡ ኢሎም በኸዩሉ። 31-32 ኰነ ኸኣ፡ ምስ ቀበሮ ንደቁ፡ እቲ ኣብቲ ኣብ ቤትኤል ዘሎ
መሰውእን ኣብ ኲለን ኣብ ከተማታት ሰማርያ ዘለዋ ኣባይቲ በረኽቲ ብቓል እግዚኣብሄር ዝጨደሮ ነገር
ብርግጽ ኪኸውን እዩ እሞ፡ ምስ ሞትኩ፡ ንኣይ ድማ ኣብዛ ናይ ኣምላኽ ሰብ ተቐቢርዋ ዘሎ መቓብር
ቅበሩኒ፡ ኣዕጽምተይ ኣብ ጥቓ ኣዕጽምቱ ኣንብሩ፡ ኢሉ ተዛረቦም። 33 ድሕርዚ ነገርዚ የሮብዓም ካብ
ክፉእ መገዱ ኣይተመልሰን፡ መሊሱ ደኣ ኻብቲ ህዝቢ ንበረኽቲ ማንም ካህናት ገበረ። ነቲ በረኽቲ
ኻህናት ኪኾኑ ንዝደለየ ዘበለ ቀደሶ። 34 እዚ ነገር እዚ ንቤት የሮብዓም ንሓጢኣትን ንምጥፋእን ካብ
ልዕሊ ምድሪ ንምጽናትን ኰነ።

## ምዕራፍ 14

1 በቲ ዘመን እቲ ኣቢያ ወዲ የሮብዓም ሐመመ። 2 የሮብዓም ድማ ንሰበይቱ፡ በጃኺ፡ ተንስኢ እሞ
ሰበይቲ የሮብዓም ምዃንኪ ኸይትፍለጥስ፡ ክዳንኪ ለውጢ፡ ናብ ሺሎ ኸኣ ኪዲ። እንሆ፡ እቲ ብዛዕባይ
ኣብ ልዕሊ እዚ ህዝቢ እዚ ኽም ዝነግስ እተዛረበ ነብዪ ኣሒያ ኣብኡ ኣሎ። 3 ዓሰርተ እንጌራን ሕምባሻን
ንጽባ መዓርን ሒዝኪ ናብኡ ኺዲ። ንሱ ነዚ ቘልዓ ዚኸውን ነገር ኪገልጸልኪ እዩ፡ በላ። 4 ሰበይቲ
የሮብዓም ድማ ከምኡ ገበረት፡ ተንሲኣ ኸኣ ናብ ሺሎ ኸደት፡ ናብ ቤት ኣሒያውን ኣተወት። ኣሒያ ግና

ኣዒንቱ ብእግርና ፈዚዘን ነበራ እሞ፡ ኪርኢ ኣይከኣለን። [5] እግዚኣብሄር ድማ ንኣሒያ፡ እንሆ ሰበይቲ
የሮብዓም ብዛዕባ ወዳ፡ ንሱ ሓሚሙ እዩ እሞ፡ ክትጥይቐካ ትመጽእ ኣላ። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ጋሻ
ተመሲላ ኽትኣቱ እያ እሞ፡ ከምዝን ከምዝን ኢልካ ተዛረባ፡ በሎ። [6] ኰነ ኸኣ፡ ብደገ ኽትኣቱ ኸላ፡
ኣሒያ ኣእጋራ ድግ ድግ ኪብል ምስ ሰምዔ፡ በለ፡ ኣቲ ሰበይቲ የሮብዓም፡ እተዊ። ስለምንታይ ኢኺ ጋሻ
እትመስሊ፡ ኣነ ድማ ከቢድ ነገር ክነግረኪ ናባኺ ተላኢኸ ኣሎኹ። [7] ኪዲ እሞ ንየሮብዓም በልዮ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ካብ ማእከል ህዝቢ ልዕሊ ኣቢለ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ
እስራኤል መስፍን ገበርኩኻ፡ [8] መንግስቲ ድማ ካብ ቤት ዳዊት ቀዲደ ሀብኩኻ። ንስኻ ግና፡ ከምቲ
ትእዛዛተይ ዝሐለወ ኣብ ቅድመይ ከኣ ቅኑዕ ዘበለ ጥራይ ኪገብር፡ ብምሉእ ልቡ ዝሰዐበኒ፡ ከም ባርያይ
ዳዊት ኣይኰንካን። [9] ክፉእ ንምግባር ደኣ ኻብቶም ቅድሜኻ ዝነበሩ ኹሎም ገደድካ፡ ከተኹርየኒ ድማ
ኬድካ ኻልኦት ኣማልኽትን ዝፈሰሰ ምስልታትን ገበርካ፡ ንኣይ ግና ናብ ድሕሪ ዝባንካ ደርቤኻኒ። [10]
ስለዚ እንሆ፡ ንቤት የሮብዓም ክፉእ ከምጽኣላ እየ፡ ኣብ እስራኤል ዘሎ እሱር ኰነ፡ ፍቱሕ ኰነ ድማ
ካብ ቤት የሮብዓም ደው ኢሉ ኣብ መንደቕ ዚሸይን ዘበለ ኽጽንት እየ። ፋንድያ ኽም ዚኹስተር ገይረ
ኸኣ ንቤት የሮብዓም፡ ፈጺማ ኽሳዕ እትጠፍእ፡ ክኹስትራ እየ። [11] እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ነቲ
ኻብ የሮቦኣም ኣብ ከተማ ዝሞተ፡ ኣኽላባት ኪበልዕዎ እዮም፡ ኣብ መሮር ንዝሞተ ኸኣ ኣዕዋፍ ሰማይ
ኪበልዓኦ እየን። [12] ንስኺ ተንሲእኪ ንቤትኪ ኺዲ እሞ፡ እግርኺ ናብ ከተማ ክትኣቱ ኸላ፡ እቲ ቘሎኣ
ኺመውት እዩ። [13] ኣብ ቤት የሮብዓም ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ጽቡቕ ነገር ኣብኡ ስለ
እተረኽበ፡ ካብ የሮብዓም እዚ ጥራይ ኣብ መቓብር ኪኣቱ እዩ እሞ፡ ንእኡ ብዘለዉ እስራኤል እናበኸዩ
ኪቕብርዎ እዮም። [14] እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ እስራኤል ንጉስ ዚኾኖ ኼተንስእ እዩ፡ ንሱ በታ መዓልቲ
እቲኣ ንቤት የሮብዓም ኬጽንታ እዩ። ሕጂ እሞ እንታይ ኪግበር እዩ፡ [15] ሻምብቆ ኣብ ማይ ሰሰው ከም
ዚብል፡ ንእስራኤል ድማ እግዚኣብሄር ኪወቕዖ እዩ። ንእግዚኣብሄር ኬኹርዩስ ኣስታርቴታቶም ስለ
ዝገበሩ ኸኣ፡ ንእስራኤል ካብዛ ነቦታቶም ዝሀቦም ጽብቕቲ ምድሪ ኺምንቁሶም፡ ናብ ስግር ርባውን
ኪዘርዎም እዩ። [16] ብሰሪ እቲ የሮብዓም ዝገበሮ ሓጢኣት፡ ንእስራኤል ከኣ ዘሕጥኦም፡ ንእስራኤል
ኣሕሊፉ ኺህቦም እዩ። [17] ሰበይቲ የሮብዓም ድማ ተንሲኣ ኸደት፡ ናብ ቲርጻውን መጸት፡ ንሳ ኣብ ልዳት
ቤታ ምስ በጽሔት፡ እቲ ቘልዓ ሞተ። [18] ከምቲ እግዚኣብሄር ብባርያኡ፡ ብነብዩ ኣሒያ፡ እተዛረቦ ቓል
ከኣ ብዘለዉ እስራኤል ቀበርዎን በኸዩሉን። [19] እቲ ዝተረፈ ናይ የሮብዓም ነገር ድማ፡ እቲ እተዋግኦን
እቲ ዝነገሶን፡ እንሆ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤል ተጽሒፉ ኣሎ። [20] እቲ የሮብዓም
ዝነገሶ ዘመን ከኣ ዕስራን ክልተን ዓመት እዩ። ምስ ኣቦታቱ ድማ ደቀሰ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ናብዳ
ነገሰ። [21] ሮብዓም ወዲ ሰሎሞን ድማ ኣብ ይሁዳ ነገሰ። ሮብዓም ኪነግስ ከሎ ኸኣ፡ ወዲ ኣርብዓን ሓደን
ዓመት ነበረ። ኣብታ እግዚኣብሄር ስሙ ኣብኣ ኼንብር ካብ ኲሎም ነገዳት እስራኤል ዝሐረያ ኸተማ
የሩሳሌም ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመት ነገሰ። ስም ኣዲኡ ኸኣ ናዓማ፡ ንሳ ዓሞናዊት እያ። [22] ይሁዳ ድማ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ካብቲ ኣቦታቶም ዝገበርዎ ዚበዝሕ ሓጢኣት ብምግባሮም ከኣ
ኣቕንእዎ። [23] ንሳቶም ድማ ኣብ ትሕቲ ኹሉ ልምሉም ኦምን በረኽትን ሓወልትታትን ኣስታርቴታትን
ሰርሑ። [24] ኣብታ ሃገር ድማ ኣብ ተባዕታይ ዚምንዝሩ ነበሩ። ከም ኲሉ ርኽሰት እቶም እግዚኣብሄር
ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዘጥፍኦም ኣህዛብ ይገብሩ ነበሩ። [25] ኰነ ድማ፡ ንንጉስ ሮብዓም ኣብ
ሓምሰይቲ ዓመቱ ሺሻቅ ንጉስ ግብጺ ንየሩሳሌም ደየባ። [26] ንመዛግብቲ ቤት እግዚኣብሄርን ንመዛግብቲ
ቤት ንጉስን ከኣ ወሰደ፡ ንኹሉ ወሰዶ። ነቲ ሰሎሞን ዝገበሮ ኹሉ ዋላቱ ወርቂውን ወሰዶ። [27] ንጉስ
ሮብዓም ድማ ኣብ ክንዳኡ ዋላቱ ኣስራዚ ገበረ፡ ኣብ ኢድ ሓላቑ እቶም ንደገ ቤት ንጉስ ዚሕልዉ

ተኸልቲ ኣማዕቈቦም። 28 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ንጉስ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ምስ ዚኸይድ፡ እቶም ተኸተልቲ
የልዕልዎ ነበሩ፡ ናብ ቤት እቶም ተኸተልቲ ድማ ይመልስዎ ነበሩ። 29 እቲ ዝተረፈ ናይ ሮብዓም ነገር
ድማ፡ ኲሉ ዝገበሮ ዘበለ፡ ንሱ ኣብቲ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፡ 30 ኣብ
መንጎ ሮብዓምን የሮብዓምን ከኣ ኲሉ ዘመን ውግእ ነበረ፡ 31 ሮብዓም ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ምስ
ኣቦታቱ ኸኣ ኣብ ከተማ ዳዊት ተቐብረ። ስም ኣዲኡ ድማ ናዓማ እዩ፡ ንሳ ዓሞናዊት እያ። ኣብ ክንዳኡ
ኸኣ ወዱ ኣቢያም ነገሰ።

# ምዕራፍ 15

1 ንንጉስ የሮብዓም ወዲ ናባጥ ኣብ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመቱ ድማ ኣቢያም ኣብ ይሁዳ ነገሰ። 2
ሰለስተ ዓመት ኣብ የሩሳሌም ነገሰ። ስም ኣዲኡ ኸኣ ማዓካ፡ ንሳ ጓል ኣቢሻሎም እያ። 3 በቲ ቕድሚኡ
ኣቦኡ ዝገበሮ ሓጢኣት ከደ፡ ልቡ ድማ ከም ልቢ ኣቦኡ ዳዊት ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ፍጹም
ኣይነበረን። 4 ምእንቲ ዳዊት ኢሉ ግና፡ ብድሕሪኡ ወዱ ኼተንስእ ንየሩሳሌምውን ኪጸንዓ፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኹ ኣብ የሩሳሌም መብራህቲ ሀቦ። 5 ዳዊት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ፡ ብጀካ እቲ ናይ
ኡርያ ሔታዊ ነገርሲ፡ ብኹሉ ዘመን ህይወቱ ኻብቲ ዝኣዘዞ ዘበለ ኣየግለሰን። 6 ኣብ መንጎ ሮብዓምን
የሮብዓምን ድማ ብኹሉ ዘመን ህይወቱ ውግእ ነበረ። 7 እቲ ዝተረፈ ናይ ኣቢያም ነገርን እቲ ዝገበሮ
ኹሉን፡ ንሱ ኣብቲ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን ኣብ መንጎ ኣብያን
የሮብዓምን ድማ ውግእ ነበረ። 8 ኣቢያም ከኣ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ዳዊት ድማ ቀበርዎ። ኣብ
ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ኣሳ ነገሰ። 9 ንየሮቦኣም ንጉስ እስራኤል ኣብ መበል ዕስራ ዓመቱ ድማ ኣሳ ኣብ ይሁዳ
ነገሰ፡ 10 ኣርብዓን ሓደን ዓመት ድማ ኣብ የሩሳሌም ነገሰ። ስም ኣዲኡ ኸኣ ማዓካ፡ ንሳ ጓል ኣቢሻሎም
እያ። 11 ኣሳ ድማ ከም ኣቦኡ ዳዊት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። 12 ነቶም ኣብ ተባዕታይ
ዝመንዘሩ ኸኣ ካብታ ሃገር ሰጐጎም። ነቶም ኣቦታቱ ዝገበርዎም ኲሎም ጣኦታት ድማ ኣግለሶም። 13
ነዲኡ ማዓካውን፡ ንኣስታርተ ናይ ጽያፍ ምስሊ ስለ ዝገበረት ካብ መንግስታ ሰዐራ፡ ኣሳ ድማ ነቲ ምስላ
ቈሪጹ ኣብ ርባ ቄድሮን ኣንደዶ። 14 ነቲ በረኽቲ ግና ኣየግለሶን፡ ኣሳስ ምሉእ ዘመኑ ድኣ ልቡ ምስ
እግዚኣብሄር ፍጹም ነበረ። 15 ነቲ ኣቦኡ ዝቐደሶን ንሱ ዝቐደሶን ወርቅን ብሩርን ኣቓሑን ድማ ናብ ቤት
እግዚኣብሄር ኣእተዎ። 16 ኣብ መንጎ ኣሳን ባዕሳ ንጉስ እስራኤልን ድማ ምሉእ ዘመኖም ውግእ ነበረ። 17
ባዕሳ ንጉስ እስራኤል ከኣ ንይሁዳ ደየባ። ገለ ወጺኡ ናብ ኣሳ ንጉስ ይሁዳ ይኺድ ከይሐድግ ኢሉ ድማ
ንራማ ሰርሓ። 18 ሽዑ ኣሳ ኣብ መዛግብቲ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ መዛግብቲ ቤት ንጉስን ተሪፉ ዝነበረ
ኹሉ ወርቅን ብሩርን ወሲዱ ኣብ ኢድ ገላዉኡ ሀቦም። ነዚ ድማ ንጉስ ኣሳ ናብቲ ኣብ ደማስቆ ዘሎ
ቤንሃዳድ ንጉስ ሶርያ፡ ወዲ ጣብሪሞን ወዲ ኽዝዮን፡ ልኢኹ፡ 19 ኣብ መንጎ ኣቦይን ኣቦኻን ከም ዝነበረ፡
ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን ድማ ኪዳን ይኹን። እንሆ፡ ገጸ በረኸት ብሩርን ወርቅን ሰዲደልካ ኣሎኹ
እሞ፡ ካባይ ምእንቲ ኪኸይድሲ፡ ነቲ ምስ ባዕሳ ንጉስ እስራኤል ዝኣቶኻዮ ኺዳንካ ኣፍርሶ፡ በሎ። 20
ቤንሃዳድ ከኣ ንንጉስ ኣሳ ሰሚዑ ንኸተማታት እስራኤል ኪወግእወን ሓላቑ ሰራዊቱ ሰደደ፡ ንዒዮንን
ንዳንን ንአቤልቤትማዓካን ንብዘላ ኪነሮትን ምስ ብዘላ ምድሪ ንፍታሌምን ድማ ሰዐረን። 21 ኰነ ኸኣ፡
ባዕሳ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ንራማ ምስራሕ ሐዲጉ ኣብ ቲርጻ ተቐመጠ። 22 ሽዑ ንጉስ ኣሳ ሓደ እኳ ናጻ
ኸይሐደገ ንብዘላ ይሁዳ ኣኽተተ። ነቲ ባዕሳ ንራማ ሰሪሑሉ ዝነበረ ኣእማንን ኣዕጻውን ወሰዱ፡ ንጉስ
ኣሳ ድማ ብእኡ ገይሩ ንጌባዕ ናይ ብንያምን ንሚጽጳን ሰርሔን። 23 ኲሉ እቲ ዝተረፈ ናይ ኣሳ ነገር ከኣ፡

ኲሉ መንፍዓቱን ኲሉ ዝገበሮን ዝሰርሔን ከተማታትን፡ ንሱ ኣብቲ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት
ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን ብጊዜ እርግናኡ ግና ኣእጋሩ ሐመመ። [24] ኣሳ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ምስ
ኣቦታቱ ኸኣ ኣብ ከተማ ዳዊት ኣቦኡ ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ዮሳፉጥ ነገሰ። [25] ናዳብ ወዲ
የሮብዓም ከኣ ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ ኣብ እስራኤል ነገሰ። ክልተ ዓመትውን ኣብ
እስራኤል ነገሰ። [26] ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ክፉእ ገበረ፡ ብመገዲ ኣቦኡን በቲ ንእስራኤል
ዘስሐተሉ ሓጢኣቱን ከኣ ከደ። [27] ባዕሳ ወዲ ኣሒያ ኻብ ቤት ይሳኮር ድማ ተማሓሐለሉ። ናዳብን
ብዘሎ እስራኤልን ንጊብቶን ከቢቦምዋ ኸለዉ ኸኣ፡ ባዕሳ ኣብ ጊብቶን ናይ ፍልስጥኤማውያን ቀተሎ።
[28] ባዕሳ ኣብ ሳልሰይቲ ዓመቱ ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ እዩ ዝቐተሎ፡ ኣብ ክንዳኡ ድማ ነገሰ፡ [29-30] ኰነ ኸኣ፡
ምስ ነገሰ፡ ብሰቲ እቲ የሮቦኣም ዝገበሮ ሓጢኣት፡ ብእኡ ኸኣ ንእስራኤል ስለ ዘስሐቶ፡ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤልውን ስለ ዘኹረዮ፡ ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ብባርያኡ ብኣሒያ ሺሎናዊ እተዛረቦ
ንቤት የሮብዓም ኣጥፍኣ፡ ክሳዕ ዜጽንቶ ንየሮብዓም ሓደ እኳ ትንፋስ ዘለዎ ኣይሓደገሉን። [31] ኲሉ እቲ
ዝተረፈ ናይ ናዳብ ነገርን እቲ ዝገበሮ ኹሉን ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ
ተጽሒፉ ኣየሎን [32] ኣብ መንጎ ኣሳን ባዕሳ ንጉስ እስራኤልን ምሉእ ዘመኖም ውግእ ነበረ፡ [33] ንኣሳ ንጉስ
ይሁዳ ኣብ ሳልሰይቲ ዓመቱ ባዕሳ ወዲ ኣሒያ ኣብ ልዕሊ ኹሉ እስራኤል ኣብ ቲርጻ ነገሰ፡ ዕስራን
ኣርባዕተን ዓመት ገዝኤ። [34] ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ክፉእ ገበረ፡ ብመገዲ የሮብዓምን በቲ
ንእስራኤል ዘስሐተሉ ሓጢኣቱን ከኣ ኸደ።

# ምዕራፍ 16

[1] ንየሁ ወዲ ሓናኒ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ባዕሳ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸ፡ [2] ኣነ ኻብ ሓመድ
ኣልዒለስ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል መስፍን ገይረካ ኸነሰይ፡ ንስኻ ግና ብመገዲ የሮብዓም
ብምኻድካ፡ ንህዝበይ እስራኤል ብሓጢኣቶም ኬኹርዩኒ ስለ ዘስሐትካዮም፡ [3] እንሆ፡ ንባዕሳን ንቤቱን
ንንየው ክጽርጎም እየ፡ ንቤትካ ድማ ከም ቤት የሮብዓም ወዲ ናባጥ ክገብራ እየ። [4] ካብ ባዕሳ ነቲ ኣብ
ከተማ ዝሞተ ኣኽላባት ኪበልዕዎ እዮም፡ ነቲ ኣብ መሮር ዝሞተ ኸኣ ኣዕዋፍ ሰማይ ኪበልዕኦ እየን። [5]
እቲ ዝተረፈ ናይ ባዕሳ ነገርን እቲ ዝገበሮን እቲ መንፍዓቱን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት
እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፡ [6] ባዕሳ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ቲርጻውን ተቐብረ፡ ኣብ ክንዳኡ ከኣ
ወዱ ኤላ ነገሰ። [7] ከም ቤት የሮብዓም ኪኸውን ኢሉ፡ ብግብሪ ኢዱ ኬኹርዮስ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ዝገበሮ ኹሉ ኽፉእ ዘበለ ስለ ዝገበረን ንየሮብዓም ድማ ስለ ዝቐተሎን፡ እቲ ብነብዩ የሁ
ወዲ ሓናኒ እተነግረ ቓል እግዚኣብሄር ኣብ ባዕሳን ኣብ ቤቱን ተፈጸመ። [8] ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል
ዕስራን ሹድሽተን ዓመቱ ኸኣ ኤላ ወዲ ባዕሳ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣብ ቲርጻ ነገሰ፡ ክልተ ዓመት ገዝኤ።
[9] ግናኸ ጊልያኡ ዚምሪ፡ እቲ ኣብ ፈረቓ ሰረገላታቱ ሓለቓ ዝነበረ፡ ተማሓሐለሉ። ኣብ ቲርጻ፡ ኣብ ቤት
እቲ ኣብታ ኣብ ቲርጻ ዘላ ቤት ኣዛዚ ዝነበረ ቅርጻ፡ ሰትዩ ሰኺሩ ኸሎ፡ [10] ዚምሪ ኣትዩ ወቒዑ ቐተሎ፡
ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ዕስራን ሾብዓተን ዓመቱ ቐተሎ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ነገሰ። [11] ኰነ ድማ፡
ነጊሱ ኣብ ዝፋኑ ምስ ተቐመጠ፡ ብኡብኡ ንብዘሎ ቤት ባዕሳ ቐተለ፡ ካብ ዘመዱ ኹነ፡ ካብ ፈተውቱ
ኹነ፡ ደው ኢሉ ኣብ መንደቕ ካብ ዚሸይን ሓደ እኳ ኣየትረፈሉን። [12-13] ብሰሪ ኹሉ እቲ ዝገበርዎ
ሓጢኣት ባዕሳን ሓጢኣት ወዱ ኤላን፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ብኸንቱነቶም ኬኹርይዎስ፡
ንእስራኤል ከኣ ስለ ዝስሐቱ፡ ከምቲ ብነብዩ የሁ ኣብ ልዕሊ ባዕሳ እተዛረቦ ቓል እግዚኣብሄር፡ ዚምሪ

ንብዘላ ቤት ባዕሳ ኣጽነታ። 14 እቲ ዝተረፈ ናይ ኤላ ነገርን እቲ ዝገበሮ ኹሉን ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ
ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፡ 15 ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ዕስራን ሾብዓተን ዓመቱ
ኸኣ ዚምሪ ኣብ ቲርጻ ሾብዓተ መዓልቲ ነገሰ። እቶም ህዝቢ ድማ ንጊብቶን ናይ ፍልስጥኤማውያን
ከቢቦምዎ ነበሩ። 16 እቶም ከቢቦም ዝነበሩ ህዝቢ፡ ዚምሪ ተማሓሒሉ ንንጉስ ድማ ቀቲልዎ፡ ኪብሉ
ሰምዑ። ሽዑ ብዘለዉ እስራኤል ንዖምሪ ሓለቓ ሰራዊት በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብቲ ሰፈር ኣብ እስራኤል
ኣንገስዎ። 17 ዖምሪን ብዘለዉ እስራኤል ከኣ ምስኡን ካብ ጊብቶን ደዪቦም ንቲርጻ ኸበብዋ። 18-19 ኰነ
ድማ፡ ዚምሪ እቲ ብመገዲ የሮቦኣም እናኸደ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ዘበለ ብምግባሩ
ዝገበሮ ሓጢኣቱን በቲ ንእስራኤል ዘስሐተሉ ሓጢኣቱን፡ ናብታ ኣደራሽ ቤት ንጉስ ኣትዩ፡ ነታ ቤት
ንጉስ ኣብ ልዕሊኡ ብሓዊ ኣንደዳ፡ ሞተ ኸኣ። 20 እቲ ዝተረፈ ናይ ዚምሪ ነገርን እቲ ዝተማሓሓሎ
ምምሕሓልን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን 21 ሽዑ እቲ ህዝቢ
እስራኤል ኣብ ክልተ ኽፍሊ ተመቕለ። ፍርቂ እቲ ህዝቢ ንቲብኒ ወዲ ጊናት ኬንግሶ ሰዐቦ። እቲ ፍርቂ
ኸኣ ንዖምሪ ሰዐቦ፡ 22 እቲ ንዖምሪ ዝሰዐበ ህዝቢ ድማ ነቲ ንቲብኒ ወዲ ጊናት ዝሰዐበ ህዝቢ ሐየሎ።
ቲብኒ ኸኣ ሞተ፡ ዖምሪውን ነገሰ፡ 23 ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ሰላሳን ሓደን ዓመቱ ዖምሪ ኣብ
እስራኤል ነገሰ፡ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ከኣ ገዝኤ። እተን ሹድሽተ ዓመት ኣብ ቲርጻ ነገሰ። 24 ንኸረን
ሰማይራ ድማ ካብ ሽመር ብኽልተ ታለንት ብሩር ዐደጋ፡ ኣብቲ ኽረን ከኣ ሰርሔ፡ ስም እታ ዝሰርሓ
ኸተማ ድማ ብስም ሽመር ጐይታ እቲ ኽረን፡ ሰማርያ ኢሉ ሰመያ። 25 ዖምሪ ኸኣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኹሎም ዚኸፍእ ገበረ። 26 ብኹሉ መገዲ የሮብዓም
ወዲ ናባጥን በቲ ንሱ ንእስራኤል፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ብኸንቱነቶም ምእንቲ ኬኹርይዎ
ብዘስሓተሉ ሓጢኣቱን ከደ። 27 እቲ ዝተረፈ ዖምሪ ዝገበሮ ነገርን እቲ ዝገበሮ መንፍዓቱን ንሱ ኣብ
መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፡ 28 ዖምሪ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ
ሰማርያውን ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ኣከኣብ ነገሰ፡ 29 ንኣሳ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ሰላሳን
ሾሞንተን ዓመቱ ድማ ኣከኣብ ወዲ ዖምሪ ኣብ እስራኤል ነገሰ። ኣከኣብ ወዲ ዖምሪ ኸኣ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ዕስራን ክልተን ዓመት ኣብ ሰማርያ ገዝኤ። 30 ኣከኣብ ወዲ ዖምሪ ድማ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኹሎም ዚኸፍእ ገበረ። 31 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ብሓጢኣት የሮብዓም
ወዲ ናባጥ ምኻዱ ቐሊልዎስ፡ ንኢዛቤል፡ ጓል ኤትባዓል ንጉስ ሲዶን፡ ሰበይቱ ኽትከውን ወሰዳ። ከይዱ
ድማ ንበዓል ኣገልገሎ፡ ሰገደሉውን። 32 ኣብታ ኣብ ሰማርያ ዝሰርሓ ቤት በዓል ድማ ንበዓል መሰውኢ
ኣቘመሉ። 33 ኣከኣብ ከኣ ኣስታርተ ገበረ። ኣከኣብ ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ዜኹሪ
ብምግባሩ፡ ካብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኹሎም ነገስታት እስራኤል ገደደ። 34 ብዘመኑ ኸኣ ሒኤል
ቤትኤላዊ ንያሪኮ ሰርሓ። ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ብእያሱ ወዲ ነዊ እተዛረቦ ድማ ብኣቢራም፡ በቲ
በዅሩ ሰረታ፡ ደጌታታ ኸኣ ብሴጉብ፡ በቲ ንእሽቶ ወዱ ኣቘመ።

## ምዕራፍ 17

1 ሓደ ኻብቶም ኣብ ጊልዓድ ዝነበሩ ድማ ኤልያስ ቲስቢታዊ ንኣከኣብ፡ በዘን ዓመታት እዚኣተን፡ ኣነ
ኽይተዛረብኩ፡ ኣውሊ ኾነ ወይ ዝናም ከይኸውን፡ እቲ ኣነ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘሎኹ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል እዩ፡ በሎ። 2-3 ቃል እግዚኣብሄር ድማ፡ ካብዚ ናብ ምብራቕ ኣቢልካ
ኺድ እሞ ኣብቲ ኣብ መንጽር ዮርዳኖስ ዘሎ ርባ ከሪት ተሐባእ። 4 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ካብቲ ርባ

ኸትሰቲ ኢኻ፡ ኣብኡ ኺምግቡኻ ድማ ንኳኺት ኣዚዘ ኣሎኹ፡ ኢሉ መጾ። 5 ከይዱ ኸኣ ከምቲ ቓል
እግዚኣብሄር ገበረ። ከይዱውን ኣብቲ ኣብ መንጽር ዮርዳኖስ ዘሎ ርባ ከሪት ተቐመጠ። 6 እቶም ኳኺት
ድማ ብጊሓት እንጌራን ስጋን፡ ምሸትውን እንጌራን ስጋን የምጽኡሉ ነበሩ፡ ካብቲ ርባ ኸኣ ይሰቲ ነበረ። 7
ኰነ ድማ፡ ኣብታ ሃገር ዝናም ስለ ዘይዘነመ፡ ድሕሪ ሓያሎ ጊዜ እቲ ርባ ነጸፈ። 8-9 ተንስእ እሞ ናብ
ሰራጵታ ናይ ሲዶና ኺድ፡ ኣብኡውን ተቐመጥ። እንሆ፡ ኣብኣ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ኽትምግበካ ኣዚዘ
ኣሎኹ፡ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጾ። 10 ተንሲኡ ኸኣ ናብ ሰራጵታ ኸደ። ናብ ደገ እታ ኸተማ
ምስ መጸ ድማ፡ እንሃ፡ ዕጨይቲ እትእሪ መበለት ሰበይቲ ኣብኡ ነበረት። ንእኣ ኸኣ ጸዊዑ፡ በጃኺ፡
ዝሰትዮ ሒደት ማይ ብቐሓ ጌርኪ ኣምጽእለይ፡ በላ። 11 ከተምጽእ ኢላ ምስ ከደት ድማ፡ በጃኺ፡ ኣብ
ኢድኪ ቍራስ እንጌራ ተማልእለይ፡ ኢሉ ጸውዓ። 12 ንሳ ኸኣ፡ ህያው እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እዩ፡ ኢለ
ብጃኻ ሽልገት ሓርጭ ኣብ ዕትሮ፡ ሒደት ዘይቲ ኣብ መቐርስሚቶ፡ እንጌራስ የብለይን፡ እኔኹ ኸኣ ክልተ
ዕጨይቲ እእሪ ኣሎኹ፡ ኣትየ ድማ ንኣይን ንወደይን ክስንክቶ እሞ በሊዕናዮስ ክንመውት ኢና፡ በለቶ።
13 ኤልያስ ከኣ፡ ኣይትፍርሂ፡ ኪዲ፡ ከምቲ ዝበልክዮ ግበሪ፡ ቅድም ግና ካብኡ ንኣይ ንእሽቶ ቕጫ
ሰንኪትኪ ኣምጽእለይ፡ ድሕሪኡ ድማ ንኣኺን ንወድኽን ሰንክቲ። 14 እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል
ከምዚ ይብል ኣሎ እሞ፡ ክሳዕ እታ እግዚኣብሄር ንምድሪ ዝናም ዜዝንመላ መዓልቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ
ኣይውዳእን፡ እቲ ዘይቲውን ካብ መቐርስሚቶ ኣይጐድልን፡ በላ። 15 ከይዳ ኸኣ ከምቲ ኤልያስ ዝበላ
ገበረት። ንሳን ንሱን ቤታን ድማ ብዙሕ መዓልቲ በልዑ፡ 16 ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ብኤልያስ
እተዛረቦ፡ እቲ ሓርጭ ካብ ዕትሮ፡ እቲ ዘይቲውን ካብ መቐርስሚቶ ኣይጐደለን። 17 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ
እዚ ነገር እዚ ወድ እታ ሰበይቲ፡ እታ ብዓልቲ ቤት፡ ሐመመ። እቲ ሕማሙ ኸኣ ትንፋሱ ኽሳዕ ዚሰእን
በርትዖ። 18 ሽዑ ንሳ ንኤልያስ፡ ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንኣይን ንኣኻንሲ እንታይ ኣራኸበና፡ ሓጢኣተይ
ከተዘክር ወደይውን ክትቀትል ኢኻ ዝመጻእካኒ፡ በለቶ። 19 ንሱ ግና፡ ወድኺ ሀብኒ፡ በላ። ካብ ሑቑፋ
ወሲዱ ኸኣ ናብታ ዝነበረላ ደርቢ ኣደየቦ እሞ ኣብ ዓራቱ ኣደቀሶ። 20 ሽዑ ንሱ፡ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኸይ፡ ነዛ ኣነ ምሳኣ ብግሽነት ዝነብር ዘሎኹ መበለት ወዳ ብምቕታልዶ ኽፉእ ገበርካያ፡ ኢሉ ናብ
እግዚኣብሄር ተማህለለ። 21 ኣብ ልዕሊ እቲ ቈልዓ ሰለስተ ሳዕ በጥ ኢሉ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኸይ፡ በጃኻ፡ ነፍሲ እዚ ቈልዓ እዚ ናብ ውሽጡ ምለሳ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ። 22
እግዚኣብሄር ከኣ ደሃይ ኤልያስ ሰምዔ፡ ነፍሲ እቲ ቈልዓ ድማ ናብ ውሽጡ ተመለሰት እሞ ህያው ኰነ።
23 ኤልያስ ከኣ ነቲ ቈልዓ ወሲዱ፡ ካብ ደርቢ እታ ቤት ኣውሪዱ ነዲኡ ሀባ፡ ኤልያስ ድማ፡ ርአዩ፡
ወድኺ ሐውዩ፡ በለ። 24 እታ ሰበይቲ ኸኣ ንኤልያስ፡ ንስኻ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከም ዝኾንካ፡ ቃል
እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኣፍካ ሓቂ ኸም ዝኾነ፡ ሕጂ ፈለጥኩ፡ በለቶ።

## ምዕራፍ 18

1 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ነዊሕ ጊዜ በታ ሳልሰይቲ ዓመት ንኤልያስ፡ ኬድካ ንኣከኣብ ተርአዮ እሞ፡ ንምድሪ
ዝናም ከዝንመላ እየ፡ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጾ። 2 ኤልያስ ከኣ ንኣከኣብ ኪርእዮ ኸደ። እቲ ጥሜት
ድማ ኣብ ሰማርያ በርቲዑ ነበረ። 3 ኣከኣብ ድማ ንኦብድያ ኣዛዝ ቤቱ ጸውዖ። ኦብድያ ኸኣ
ንእግዚኣብሄር ኣዝዩ ይፈርሆ ነበረ እሞ፡ 4 በቲ ኢዛቤል ንነብያት እግዚኣብሄር ዘጽነተትሉ ጊዜ፡ ኣብድያ
ሚእቲ ነብያት ወሲዱ፡ በብሓምሳ ገይሩ ኣብ በዓቲ ሐብኦም፡ እንጌራን ማይን ድማ ይምግቦም ነበረ። 5
ኣከኣብ ከኣ ንኦብድያ፡ ኩሉን እንስሳ ኸይጠፍኣናስ፡ ኣብዛ ሃገር ናብ ኩሉ ዓይኒ ማያትን ኣብ ኩሉ

ርባታትን ኪድ፡ ምናልባሽ ሳዕሪ ንረክብ እሞ ኣፍራስን ኣባቕልን ነድሕን፡ በሎ። [6] ኪኾልዋ ድማ፡ ነታ
ሃገር ተማቐልዋ። ኣከኣብ ንበይኑ ብሓደ መገዲ ኸደ፡ ኦብድያውን ንበይኑ ብሓደ ኻልእ መገዲ ኸደ። [7]
ኦብድያ ኣብ መገዲ ኸሎ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኤልያስ ተጓነፎ፡ ኣለልይዎ ድማ ብገጹ ፍግም ኢሉ፡ ንስኻዶ
ጐይታይ ኤልያስ ኢኻ፡ በለ። [8] ንሱ ድማ በሎ፡ እወ፡ ኣነ እየ። ኪድ፡ ንጐይታኻ፡ ኤልያስ እንሆ፡ በሎ። [9]
ንሱ ኸኣ በለ፡ ኪቐትለንስ ንጊልያኻ ኣብ ኢድ ኣከኣብ ኣሕሊፍካ እትህበኒ፡ እንታይ ሓጢኣት ገይረ እየ፡
[10] ጐይታይ ኪደልየካ ኢሉ ዘይለኣኸሉ ህዝብን መንግስትን ከም ዜልቦ፡ ህያው እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
እዩ። የሎን፡ ምስ በሉ ኸኣ፡ ንሱ ነቲ መንግስትን ነቲ ህዝብን ከም ዘይረኸቡኻ ኣምሐሎም። [11] ሕጂ ድማ
ንስኻ፡ ኪድ፡ ንጐይታኻ፡ ኤልያስ እንሆ በሎ፡ ትብለኒ ኣሎኻ [12] ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ኣነ ኻባኻ ምስ
ከድኩ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣነ ናብ ዘይፈልጦ እንተ ወሰደካ፡ ኣነ ድማ ኣትየ ንኣከኣብ እነግሮ፡ እንተ
ዘይረኸበካ ኸኣ፡ ኪቐትለኒ እዩ። ጊልያኻ ግና ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ንእግዚኣብሄር ዝፈርህ እየ። [13] በቲ
ኢዛቤል ንነብያት እግዚኣብሄር ዝቐተለትሉ ጊዜ፡ ካብ ነብያት እግዚኣብሄር ሚእቲ ሰብ በብሓምሳ ገይረ
ኣብ በዓቲ ሐቢኤ እንጌራን ማይን ከም ዝመገብክዎምሲ፡ እቲ ኣነ ዝገበርክዎ ንጐይታይዶ ኣይነገሩኻን
እዮም፡ [14] ሕጂ ኸኣ ንስኻ፡ ናብ ጐይታኻ ኺድካስ፡ ኤልያስ እንሆ በሎ፡ ትብለኒ ኣሎኻ። ኪቐትለኒ ኸኣ
እዩ፡ በለ። [15] ኤልያስ ድማ፡ ኣነ ሎሚ ኸም ዝርአዮ፡ እቲ ኣነ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘሎኹ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ህያው እዩ፡ በለ። [16] ኦብድያ ኸኣ ንኣከኣብ ኪቃባበሎ ኸደ፡ ነገሮ ድማ።
ኣከኣብ ንኤልያስ ኪቃባበሎ ኸደ። [17] ኰነ ኸኣ፡ ኣከኣብ ንኤልያስ ምስ ረአዮ፡ ኣከአብ፡ እቲ ንእስራኤል
እተዕገርግር ንስኻ ዲኻ፡ በሎ። [18] ንሱ ድማ፡ ንስኻን ቤት ኣቦኻን ትእዛዛት እግዚኣብሄር
ብምሕዳግኩምን ደድሐሪ በዓል ብምስዓብካን እምበር፡ ኣነስ ንእስራኤል ኣየዕገርገርኩን። [19] ሕጂ ኸኣ
ንብዘሎ እስራኤል ነቶም ኣብ መኣዲ ኢዛቤል ዚበልዑ ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ነብያት በዓልን
ኣርባዕተ ሚእቲ ነብያት ኣስታርተን ልኢኽካ ናብ ከረን ቀርሜሎስ ኣክበለይ፡ በለ። [20] ኣክኣብ ድማ ናብ
ኲሎም ደቂ እስራኤል ልኢኹ ነቶም ነብያት ናብ ከረን ቀርሜሎስ ኣከቦም። [21] ኤልያስ ድማ ናብ ብዘሎ
እቲ ህዝቢ ቐሪቡ፡ ክሳዕ መአዝ ኢኹም ናብ ክልቲኡ ወገን እትሕንከሱ፡ እግዚኣብሄር እንተ ዀይኑ
ኣምላኽ፡ ደድሕሪኡ ስዐቡ፡ በዓል እንተ ደአ ዀይኑ ኸኣ ንእኡ ስዐቡ፡ በለ። እቶም ህዝቢ ግና ሓንቲ
ቓል ኣይመለሱሉን። [22] ሽዑ ኣኤልያስ ነቶም ህዝቢ፡ ካብ ነብያት እግዚኣብሄር ኣነ በይነይ ተሪፈ ኣሎኹ፡
ነብያት በዓል ግና ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ሰብ እዮም። [23] እምበኣር ክልተ ዝራብዕ ይሀቡና እሞ፡ ሓደ
ዝራብዕ ንኣታቶም ዚኸውን ይሕረዩ፡ ቈራሪጾም ከኣ ኣብ ልዕሊ ዕጨይቲ የንብርዎ፡ ሓዊ ኸኣ
ኣይእጐደሉን። [24] ንስኻትኩም ብስም ኣምላኽኩም ተማህለሉ፡ ኣነ ኸኣ ብስም እግዚኣብሄር ክምህለለ
እየ። እቲ ብሓዊ ምላሽ ዚህብ ኣምላኽ ከኣ፡ ንሱ ኣምላኽ ይኹን፡ በሎም። ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ፡
እዚኣስ ጽብቕቲ ዘረባ እያ፡ ኢሎም መለሱ። [25] ኤልያስ ድማ ነቶም ነብያት በዓል፡ ንስኻትኩም ትበዝሑ
እሞ፡ ቅድም ሓደ ዝራብዕ ሐሪኹም ኣሰናድዉ፡ ብስም ኣምላኽኩም ከኣ ተማህለሉ፡ ሓዊ ግና
ኣይትእጐዱሉ፡ በሎም። [26] ንሳቶም ድማ ነቲ ዝሀብዎም ዝራብዕ ወሰዱ፡ ኣሰናድዮም ከኣ፡ ዎ በዓል፡
ምላሽ ሀበና፡ እናበሉ ኻብ ብጊሓት ጀሚሮም ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ብስም በዓል ተማህለሉ። ግናኸ
ድምጺ ኣይነበረን፡ ዚመልስውን ኣይነበረን። ነቲ ዝሰርሕዎ መሰውኢ ድማ እናሰረሩ ይዞርዎ ነበሩ። [27]
ፍርቂ መዓልቲ ምስ ኰነ ኸኣ፡ ኤልያስ፡ ንሱ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ይሐስብ ከይህሉ፡ ወይስ ኣግሊሱ ወይ
ገሹ ኸይከውን፡ ምናልባሽ ከኣ ደቂሱ ኸይህሉ፡ ምእንቲ ኺበራበርሲ፡ ዓው ኢልኩም ደአ ጨድሩ፡ ኢሉ
ኣላገጸሎም። [28] ዓው ኢሎም ድማ ጨደሩ፡ ከምቲ ስርዓቶም ከኣ ኣብ ልዕሊኦም ደም ክሳዕ ዚፈስስ፡
ንኣካላቶም በስፍያፍን ብኹናውትን ተፍተፍዎ። [29] ኰነ ድማ፡ ፍርቂ መዓልቲ ምስ ሐለፈ፡ ክሳዕ እታ

መስዋእቲ ብልዒ ዚስውኣላ ጊዜ ይንበዩ ነበሩ፡ ግናኸ ድምጺ ኣይነበረን፡ ዚመልስውን ኣይነበረን፡
ዜቕልብ ድማ ኣይነበረን። 30 ሽዑ ኤልያስ ንኹሎም ህዝቢ፡ ናባይ ቅረቡ፡ በሎም። እቶም ህዝቢ ድማ
ብዘለዉ ናብኡ ቐረቡ፡ ንሱ ኸኣ ነቲ ፈሪሱ ዝነበረ መሰውኢ እግዚኣብሄር ሓደሶ። 31 ኤልያስ ድማ ከም
ቍጽሪ ነገዳት ደቂ ያእቆብ፡ ዓሰርተው ክልተ እምኒ ወሰደ። ያእቆብ እቲ፡ እስራኤል ይኹን ስምካ፡ ኢሉ
ቓል እግዚኣብሄር ዝመጾ እዩ። 32 በቲ ኣእማን ከኣ ብስም እግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ። ኣብ ዙርያ እቲ
መሰውኢ ድማ ክልተ መስፈር ዘርኢ ዚሕዝ ጉድጓድ ኹዐተ። 33 ነቲ ዕጨይቲ ኸኣ ጸፍጸፎ፡ ነቲ ዝራብዕ
ቈራሪጹ ድማ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጨይቲ ኣንበሮ። 34 በለውን፡ ኣርባዕተ ዕትሮ ማይ መሊእኩም ኣብ
ልዕሊ እቲ ዚሓርር መስዋእትን ኣብ ልዕሊ እቲ ዕጨይትን ኣፍስሱሉ፡ ካልኣይ ከኣ ግበሩ በለ። ካልኣይ
ድማ ገበሩ። ሳልሳይውን ወስኹ በለ። ሳልሳይ ከኣ ወሰኹ። 35 እቲ ማይ ኣብ ዙርያ እቲ መሰውኢ ወሓዘ፡
እቲ ጕድጓድ ድማ ማይ መልኤ። 36 ኰነ ድማ፡ በታ መስዋእቲ ብልዒ ዚቕረበላ ጊዜ ነብዩ ኤልያስ
ቀሪቡ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን እስራኤልን፡ ንስኻ ኣብ እስራኤል ኣምላኽ ከም
ዝኾንካ ኣነውን ኣገልጋሊኻ ምዃነይ፡ ነዚ ኹሉ ድማ ብትእዛዝካ ከም ዝገበርክዎ፡ ሎሚ ኣፍልጥ። 37
እዞም ህዝቢ እዚኣኣቶም ከኣ ንስኻ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከም ዝኾንካ፡ ንልቦም ድማ ንስኻ ኽም
ዝመለስካዮ ኺፈልጡስ፡ ምላሽ ሀበኒ ዎ እግዚኣብሄር፡ ምላሽ ሀበኒ፡ በለ፡ 38 ሽዑ ሓዊ እግዚኣብሄር
ወረደ፡ ነቲ ዝሓርር መስዋእትን ነቲ ዕጨይትን ነቲ ኣእማንን ነቲ ሓመድን ድማ በልዖ፡ ነቲ ኣብ ጕድጓድ
ዝነበረ ማይውን ለሓሶ። 39 ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ ነዚ ምስ ረአዩ፡ ብገጾም ተደፊኦም፡ እግዚኣብሄር
ንሱ እዩ ኣምላኽ፡ እግዚኣብሄር ንሱ እዩ ኣምላኽ፡ በሉ። 40 ኤልያስ ድማ፡ ንነብያት በዓል ሐዝዎም፡
ካባታቶም ሓደ እኳ ኣይምለቑ፡ በሎም። ሐዝዎም ከኣ። ኤልያስ ድማ ናብ ርባ ቂሶን ኣውሪዱ፡ ኣብኡ
ሐረዶም። 41 ኤልያስ ከኣ ንኣከኣብ፡ ደሃይ ብርቱዕ ዝናም ኣሎ እሞ፡ ደዪብካ ብላዕን ስተን፡ በሎ። 42
ሽዑ ኣከኣብ ኪበልዕን ኪሰትን ደየበ። ኤልያስ ድማ ናብ ርእሲ ቀርሜሎስ ደየበ፡ ናብ ምድሪ ሰጊዱ ኸኣ
ገጹ ኣብ መንጎ ኣብራኹ ገበረ። 43 ነቲ ጊልያኡ ድማ፡ ደዪብካ ናብ ባሕሪ ኣቢልካ ኣማዕዱ፡ በሎ። ደዪቡ
ኣማዕድዩ ኸኣ፡ ገለ እኳ የልቦን፡ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ሸብዓተ ሳዕ ተመላለስ፡ በለ። 44 ኰነ ድማ፡ በታ
ሳብዐይቲ ጊዜ፡ እንሃ፡ ክንዲ ኢድ ሰብ ዝምንኣሳ ደበና ኻብ ባህሪ ትለዐል ኣላ፡ በለ። ንሱ ኸኣ በሎ፡
ደዪብካ ንኣከኣብ፡ ዝናም ከይዐግተካስ፡ ሰረገላኻ ጸዒንካ ውረድ፡ በሎ። 45 ኰነ ድማ፡ ብኡብኡ እቲ
ሰማይ በደበናን ብሽምባባን ጸልመተ፡ ብርቱዕ ዝናም ከኣ ኾነ። ኣከኣብ ድማ ሰረገላኡ ተወጢሑ ናብ
ይዝርኤል ከደ። 46 ኢድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ልዕሊ ኤልያስ ነበረት እሞ፡ ሕቖኡ ተዐጢቑ፡ ክሳዕ እቲ
ንይዝርኤል ዜእቱ፡ ቀቅድሚ ኣከኣብ ይጐዩ ነበረ።

## ምዕራፍ 19

1 ኣከኣብ ድማ እቲ ኤልያስ ዝገበሮ ኹሉን ንኹሎም ነብያት ከኣ ብሴፍ ከም ዝቐተሎምን ንኢዛቤል
ነገራ። 2 ሽዑ ኢዛቤል ልኡኽ ሰዲዳ፡ ንኤልያስ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ንነፍስኻ ኸም ነፍሲ ሓደ
ኻባታቶም እንተ ዘይገይረያስ፡ ኣማልኽተ ኸምዚ ይግበሩኒ፡ ከምዚውን ይወስኹኒ፡ በለቶ። 3 ንሱ ኸኣ
እዚ ምስ ረኣየ፡ ነፍሱ ምእንተ ኼድሕን ተንሲኡ ኸደ፡ ናብ ብኤርሸባዕ ናይ ይሁዳ መጸ፡ ነቲ ጊልያኡ
ኸኣ ኣብኣ ሐደጎ። 4 ንሱ ግና ኣብ በረኻ መገዲ መዓልቲ ኽይድ ውዒሉ፡ ናብ ትሕቲ ሓንቲ ኺለዓው
መጺኡ ኾፍ በለ፡ ሞት ተመንዩ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣነስ ካብ ኣቦታተይ ኣይበልጽን እየ እሞ፡ ሕጂ
ይኣኽለኒ፡ ንነፍሰይ ውሰዳ፡ በለ፡ 5 ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ኺለዓው ከኣ በጥ ኢሉ ደቀሰ። እንሆ ድማ፡

መልኣኽ ነቒኒቑ፡ ተንስእ እሞ ብላዕ፡ በሎ። 6 እንተ ጠመተ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣብ ርሱን እምኒ እትሰንከተ
ቅጫን ሳርማይን ኣብ ትርኣሱ ነበረ። በሊዑን ሰቲዩን ድማ መሊሱ በጥ በለ። 7 እቲ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ከኣ መሊሱ ኻልኣይ ሳዕ ነቕኒቑ፡ ነዊሕ መገዲ ኣሎካ እሞ፡ ተንሲእካስ ብላዕ፡ በሎ። 8 ንሱ
ድማ ተንሲኡ በልዔን ሰተየን እሞ፡ ብሓይሊ እቲ ብልዒ እቲ ኽሳዕ ሆሬብ፡ እቲ ኸረን ኣምላኽ፡ ኣርብዓ
መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ከደ። 9 ኣብኡ ኸኣ ናብ በዓቲ ኣተወ፡ ኣብኡውን ሐደረ። እንሆ ድማ፡ ቃል
እግዚኣብሄር ናብኡ መጺኡ፡ ዎ ኤልያስ፡ ኣብዚ እንታይ ትገብር ኣሎኻ፡ በሎ። 10 ንሱ ኸኣ፡ ደቂ
እስራኤል ኪዳንካ ሐዲጎም ንመሰውኢ ታትካ ድማ ኣፍሪሶም፡ ንነብያትካውን ብሴፍ ቀቲሎምዎም እዮም
እሞ፡ ስለ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት ቅንኣት ቀኒኤ ኣሎኹ። ኣነ ኸኣ በይነይ እየ ተሪፈ ዘሎኹ።
ንነፍሰይ ድማ ኪወስድዋ ይደልይዋ ኣለዉ፡ በለ። 11 ንሱ ኸኣ፡ ወጺእካ ኣብቲ ኸረን ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ደው በል፡ በለ። እንሆ ድማ እግዚኣብሄር ሐለፈ፡ ቀቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ኣዝዩ ብርቱዕ
ንፋስ ኣኽራን ሰንጠቐ፡ ኣኻውሕ ድማ ሰባበረ። እግዚኣብሄር ግና ኣብቲ ንፋስ ኣይነበረን። ድሕሪ እቲ
ንፋስ ከኣ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ፡ እግዚኣብሄር ግና ኣብቲ ምንቅጥቃጥ ኣይነበረን። 12 ድሕሪ እቲ
ምንቅጥቃጥ ድማ ሓዊ ነበረ፡ እግዚኣብሄር ግና ኣብቲ ሓዊ ኣይነበረን፡ ድሕሪ እቲ ሓዊ ኸኣ ህዱእ ቅሩብ
ደሃይ መጸ። 13 ኰነ ድማ፡ ኤልያስ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ገጹ ብባርኖሱ ኸደነ፡ ወጺኡ ኸኣ ኣብ ኣፍ እቲ
በዓቲ ደው በለ። እንሆ ድማ፡ ድምጺ ናብኡ መጺኡ፡ ኣታ ኤልያስ፡ ኣብዚ እንታይ ትገብር ኣሎኻ፡
በሎ። 14 ንሱ ኸኣ፡ ደቂ እስራኤል ኪዳንካ ሐዲጎም፡ ንመሰውኢ ታትካ ድማ ኣፍሪሶም፡ ንነብያትካውን
ብሴፍ ቀቲሎምዎም እዮም እሞ፡ ስለ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት ቅንኣት ቀኒኤ ኣሎኹ። ኣነ ኸኣ
በይነይ እየ ተሪፈ ዘሎኹ፡ ንነፍሰይ ድማ ኪወስድዋ ይደልይዋ ኣለዉ፡ በለ። 15 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ኪድ፡
ብበረኻ ደማስቆ ኣቢልካ በታ ዝመጻእካያ መገዲ ተመለስ፡ ኣብኡ ምስ መጻእካ ድማ፡ ንሃዛኤል ኣብ ሶርያ
ኺነግስ ቅብኣዮ። 16 ንየሁ ወዲ ኒምሺ ኸኣ ኣብ እስራኤል ኪነግስ ቅብኣዮ። ንኤልሳእ ወዲ ሻፋጥ፡ ብዓል
ኣቤልሜሆላ ድማ ኣብ ክንዳኻ ነብዪ ኪኸውን ቅብኣዮ። 17 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ነቲ ኻብ ሴፍ ሃዛኤል
ዝመለቐ፡ የሁ ኪቐትሎ እዩ፡ ነቲ ኻብ ሴፍ የሁ ዝመለቐ ድማ፡ ኤልሳእ ኪቐትሎ እዩ። 18 ኣነ ግና ንበዓል
ዘይተንበርከኻሉ ኹሉን ኣብራኽን ዘይሰዐሞ ኹሉ ኣፍን ኣብ እስራኤል ሾብዓተ ሽሕ ሰብ ንኣይ ከትርፍ
እየ፡ በለ። 19 ካብኡ ኸይዱ ኸኣ ንኤልሳእ ወዲ ሻፋጥ፡ ንሱ ቐቅድሚኡ ዓሰርተው ክልተ ጽምዲ ገይሩ
ኼሕርስ ከሎ ረኸቦ፡ ንሱ ኸኣ ምስቲ መበል ዓሰርተው ክልተ ጽምዲ እዩ ዝነበረ። ኤልያስ ድማ ናብኡ
ሐሊፉ ባርኖሱ ኣውደቐሉ። 20 ንሱ ኸኣ ነቶም ኣብዑር ሐዲጉ፡ ደድሕሪ ኤልያስ ጐይዩ፡ በጃኻ፡ ነቦይን
ነደይን ስዒመስ፡ ደድሕሪኡ ኸሰዕበካ፡ ፍቐደለይ፡ በለ። ንሱ ድማ፡ እንታይ እሞ ገይረካ እየ፡ ኪድ
ተመለስ፡ በሎ። 21 ደድሕሪኡ ኻብ ምስዓብ ተመሊሱ ኸኣ፡ ጽምዲ ብዕራይ ወሲዱ ሐረዶም፡ ነቲ
ስጋኦም ድማ በቲ ናውቲ እቶም ኣብዑር ኣብሲሉ፡ ነቶም ህዝቢ ሀቦም፡ በልዑውን። ተንሲኡ ደድሕሪ
ኤልያስ ከይዱ ኸኣ የገልግሎ ነበረ።

## ምዕራፍ 20

1 ቤንሃዳድ ንጉስ ሶርያ ድማ ኩሉ ሰራዊቱ ኣኸተተ። ሰላሳን ክልተን ነገስታትን ኣፍራስን ሰረገላታትን
ከኣ ምስኡ ነበሩ። ደዪቡ ድማ ንሰማርያ ኸቢቡ ተዋግኣ። 2 ናብ ኣክኣብ ንጉስ እስራኤል። ናብታ
ኸተማል ልኡኽ ሰዲዱ ድማ፡ 3 ቤንሃዳድ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ብሩርካን ወርቅኻን ናተይ እዩ፡ እተን
ኣንስትኻን እቶም ዘዝጸበቑ ደቅኻንውን ናተይ እዮም፡ በሎ። 4 ንጉስ እስራኤል ከኣ፡ ጐይታይ ንጉስ፡

ከምቲ ዘረባኻ፡ ኣነን እቲ ዘሎኒ ኹሉን ናትካ ኢና፡ ኢሉ መለሰሉ። [5] እቶም ልኡኻት ድማ ተመሊሶም
በልዎ፡ ቤንሃዳድ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ብሩርካን ወርቅኻን ኣንስትኻን ደቅኻን ሀበኒ፡ ኢለ ልኢኸልካ
ነይረ፡ [6] ግናኸ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ገላዎይ ናባኻ ኽሰድድ እየ እሞ፡ ቤትካን ኣባይቲ ገላዉኻን
ኪጕርጕሩ እዮም። ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ንዓይንኻ ባህ ዜብሎ ኹሉ ብኢዶም ሒዞም ኪወስድዎ እዮም። [7]
ሽዑ እቲ ንጉስ እስራኤል ንኹሎም ዓበይቲ እታ ሃገር ጸዊዑ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣንስተይን ደቀይን
ብሩረይን ወርቀይን ክህቦ ልኢኹለይሲ ኣይከላእክዎን፡ እምበኣርሲ፡ በጃኹም፡ ንሱ ኽፉእ ከም ዚደልየና
ርኢኹም ፍለጡ፡ በሎም። [8] ኲሎም ዓበይትን ብዘሎ እቲ ህዝብን ከኣ፡ ኣይትስምዓዮ፡ ሕራይውን
ኣይትበሎ፡ በልዎ። [9] ንሱ ኸኣ ነቶም ልኡኻት ቤንሃዳድ በሎም፡ ንጐይታይ ንጉስ፡ እቲ ቐድም ንጊልያኻ
ዝለኣኽካለይ ኲሉ ነገር ክገብሮ እየ፡ እዚ ነገር እዚ ግና ክገብሮ ኣይክእልን እየ ኢሉ፡ በሉለይ። እቶም
ልኡኻት ከኣ ከይዶም እዚ ነገር እዚ መለሱሉ። [10] ቤንሃዳድ ድማ፡ እዚ ዝስዕበኒ ዘሎ ኹሉ ህዝቢ ሓመድ
ሰማርያ ዔዕምኹቲ እንተ በጺሖዎስ፡ ኣማልኽቲ ኸምዚ ይግበሩኒ፡ ከምዚውን ይወስኹኒ፡ ኢሉ
ለኣኸሉ። [11] እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ። እቲ ኣጽዋር ዚዐጥቕ ከምቲ ኣጽዋር ዚፈትሕ ገይሩ ኣይጃሀር፡
በልዎ፡ ኢሉ መለሰሉ። [12] ኰነ ድማ፡ ቤንሃዳድ፡ ንሱን እቶም ነገስታትን ኣብ ድንኳናት ኰይኖም ኪሰትዩ
ኸለዉ፡ እዚ ነገር እዚ ሰሚዑ፡ ንገላዉኡ፡ ተሰለፉ፡ በሎም። ነታ ኸተማ ኺወድቅዋ ኸኣ ተሰለፉ። [13]
እንሆ ድማ፡ ሓደ ነብዩ ናብ ኣከኣብ ንጉስ እስራኤል ቀሪቡ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነዚ ብዘሎ
ብዙሕ ኣኼባስ ርኢኻዮዶ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ እንሆ፡ ሎሚ ኣብ
ኢድካ ኽህበካ እየ፡ በሎ። [14] ኣከኣብ ድማ፡ ብመን፡ በለ። ንሱ ኸኣ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
ብገላዉ እቶም ሹማምቲ ሃገር፡ በለ። መሊሱ ድማ፡ ነቲ ውግእከ መን ይጀምሮ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ንስኻ፡
በሎ። [15] ሽዑ ነቶም ገላዉ እቶም ሹማምቲ ሃገር ቈጸሮም እሞ፡ ክልተ ሚእትን ሰላሳን ክልተን ኰኑ።
ድሕሪኦም ከኣ ንብዘሎ ህዝቢ፡ ንኹሎም ደቂ እስራኤል ቈጸሮም እሞ፡ ሾብዓተ ሽሕ ኰነ። [16] ፍርቂ
መዓልቲ ምስ ኰነ ድማ፡ ወጹ። ቤንሃዳድ ግና፡ ንሱን እቶም ነገስታትን፡ እቶም ኪሕግዝዎ ዝመጹ
ሰላሳን ክልተን ነገስታት ኣብ ድንኳናት ይሰትዩን ይሰኽሩን ነበሩ። [17] እቶም ገላዉ ሹማምቲ ሃገር ከኣ
ቅድም ወጹ። ቤንሃዳድ ድማ ዚርእዮ ሰደደ እሞ፡ ሰባት ካብ ሰማርያ ይወጹ ኣለዉ፡ ኢሎም ነገርዎ። [18]
ንሱ ኸኣ፡ ንሰላም ወጺኦም እንተ ኾይኖም፡ ብህይወቶም ሐዝዎም፡ ንውግእ እንተ ኾይኖም
ዝወጹውን፡ ብህይወቶም ሐዝዎም፡ በለ። [19] እዚኣቶም እቶም ገላዉ ሹማምቲ ሃገርን እቲ ዝሰዐቦም
ሰራዊትን ኰይኖም ካብታ ኸተማ ወጹ፡ [20] ነፍሲ ወከፍ ድማ ሰሰብኣዩ ቐተለ፡ ሶርያውያን ከኣ ሀደሙ፡
እስራኣል ድማ ሰጐጎም፡ ቤንሃዳድ ንጉስ ሶርያ ኸኣ፡ ምስ ገለ ፈረሰኛታት ኰይኑ፡ ብፈረስ ኣምለጠ። [21]
ንጉስ እስራኤል ከኣ ወጺኡ ንፈድረስን ንሰረገላን ሰባበረ፡ ንሶርያውያን ብርቱዕ ስዕረት ሰዐሮም። [22] ሽዑ
እቲ ነብዩ ናብ ንጉስ እስራኤል ቀሪቡ፡ ንጉስ ሶርያ በታ እትመጽእ ዓመት ድማ ኪድይበካ እዩ እሞ፡
ኪድ፡ ጽናዕ፡ እንታይ ከም እትገብር ከኣ ርኢኻስ ፍለጥ፡ በሎ። [23] ነቲ ንጉስ ሶርያ ኸኣ እቶም ገላዉኡ
በልዎ፡ ኣማልኽቶም ኣማልኽቲ ኣኽራን እዮም፡ ስለዚ እዮም ካባና ዝሐየሉ። ግናኸ ኣብ ጐልጐል ኳንና
ንዋግኣዮም፡ ብርግጽ ክንሕይሎም ኢና። [24] እዚ ነገር እዚ ግዳ ግበሮ፡ ነዞም ነገስታት ነፍሲ ወከፍ ካብ
ሰሰፈሮም ኣግልሶም፡ ኣብ ክንዳኦም ድማ ራእስታት ሸም። [25] ንስኻ ኸኣ ከምቲ ዝጠፍኣካ ሰራዊት ንኣኻ
ሰራዊት ፍቐድ፡ ፈረስ ከምቲ ፈረስ፡ ሰረገላውን ከምቲ ሰረገላ፡ ኣብ ጐልጐል ከኣ ንዋግኣዮም፡ ብርግጽ
ክንሕይሎም ኢና። ንሱ ኸኣ ዘረባኦም ሰሚዑ ኸምኡ ገበረ። [26] ኰነ ድማ፡ በታ ኻልኣይቲ ዓመት
ቤንሃዳድ ንሶርያውያን ቈጸሮም፡ ምስ እስራኤል ኪዋጋእ ከኣ ናብ ኣፌቅ ደየበ። [27] ደቂ እስራኤል ድማ
ተቘጺሮም ስንቆምውን ሒዞም ኪቃባበልዎም ከዱ። እቶም ደቂ እስራኤል ከኣ ክልተ ናእሽቱ መጓሰ

ኣጣል መሲሎም ኣብ መንጽሮም ሰፈሩ። እቶም ሶርያውያን ግና ነታ ምድሪ መሊኦምዋ ነበሩ። 28 ሽዑ
እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ቀሪቡ ንንጉስ እስራኤል ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
እቶም ሶርያውያን፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣኽራን እዩ እምበር፡ ንሱ ኣምላኽ ጐልጐል ኣይኮነን፡ ስለ
ዝበሉ፡ ስለዚ ብዘሎ እዚ ዓብዪ ኣኼባ እዚ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኽኣ
ክትፈልጡ ኢኹም። 29 እዚኣቶም ድማ ኣብ መንጽር እቲኣቶም ሾብዓተ መዓልቲ ሰፈሮም ቀነዩ። ኣብ
ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸኣ ውግእ ኰነ። ደቂ እስራኤል ድማ ካብ ሶርያውያን ብሓንቲ መዓልቲ ሽሕ ኣጋር
ቀተሉ። 30 እቶም ዝተረፉ ግና ናብ ኣፌቅ ናብታ ኸተማ ሀደሙ። ነትም ዝተረፉ ዕስራን ሾብዓተን ሽሕ
ሰብ ከኣ መካበብያ ወደቖም። ቤንሃዳድ ድማ ሀዲሙ ናብታ ኸተማ ናብ ፍቑዳ ውሻጠ ይኣቱ ነበረ። 31
ገላዉኡ ኸኣ፡ እንሆ ሕጂ፡ እቶም ነገስታት ቤት እስራኤል ምሕረተኛታትን ነገስታት ምዃኖም ሰሚዕና
ኣሎና እሞ፡ ምናልባሽ ህይወትካ እንተ መሐረካስ፡ በጃኻ፡ ኣብ ሕቑና ወጮ ተዐጢቕና፡ ኣብ ርእስና ኸኣ
ገመድ ጠምጢምና ናብ ንጉስ እስራኤል ንውጻእ፡ በልዎ። 32 እምበኣርሲ ወጮ ተዐጢቖም ገመድውን
ኣብ ረርእሶም ጠምጢሞም ናብ ንጉስ እስራኤል ድማ መጽኣም። ጊልያኻ ቤንሃዳድ፡ ንነፍሰይ ብህይወት
ሕደጋ፡ ኢሉ ይልምነካ ኣሎ፡ በልዎ። ንሱ ኸኣ፡ ንናይ ብህይወቱ ኣሎ፡ ንሱ ሓወይ እዩ። በለ። 33 እቶም
ሰባት ድማ ነዚ ጽቡቕ ፋል ገይሮምዎ፡ ተቐላጢፎም፡ እወ፡ ቤንሃዳድ ሓውካ እዩ፡ ኢሎም ብእኡ
ሐዝዎ። ንስ ኸኣ፡ ኪዱ፡ ኣምጽእዎ፡ በለ። ቤንሃዳድ ድማ ናብኡ ወጸ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ሰረገላኡ ኣደየቦ። 34
ቤንሃዳድ ድማ፡ እተን ኣቦይ ካብ ኣቦኻ ወሲድወን ዝነበረ ኸተማታት ክመልሰልካ እየ፡ ከምቲ ኣቦይ ኣብ
ሰማርያ ገይርዎ ዝነበረ፡ ንስካ ድማ ኣብ ደማስቆ ንኣኻ ኣደባባያት ግበሮ፡ በሎ። ኣከኣብ ከኣ፡ ኣነ ድማ
በዚ ውዑል እዚ እሰደካ፡ በሎ። ምስኡ ኺዳን ኣትዩ ከኣ ሰደደ። 35 ሓደ ሰብኣይ ካብቶም ደቂ ነብያት
ድማ ብቓል እግዚኣብሄር ንብጻዩ፡ በጃኻ፡ ውቕዓኒ፡ በሎ። እቲ ሰብኣይ ግና ምውቃዕ ኣበየ። 36 ሽዑ
ንሱ፡ ንቓል እግዚኣብሄር ስለ ዘይሰማዕካ፡ እንሆልካ፡ ካባይ ምስ ከድካ፡ ኣንበሳ ኪቐትለካ እዩ፡ በሎ።
ካብኡ ምስ ከደ ኸኣ፡ ኣንበሳ ረኺቦ እሞ ቐተሎ። 37 ካልእ ሰብኣይ ድማ ረኺቦ እሞ፡ በጃኻ፡ ውቕዓኒ፡
በሎ። እቲ ሰብኣይ ከኣ ወቒዖ፡ ወቒዑ ድማ ኣቝሰሎ። 38 እቲ ነብዪ ኸኣ ከይዱ፡ ኣብ ኣዒንቱ መሸፈኒ
ገይሩ፡ መልክዑ ለዊጡ፡ ነቲ ንጉስ ኣብ መገዲ ደው ኢሉ ተጸበዮ። 39 ኰነ ድማ፡ እቲ ንጉስ ኪሐልፍ
ከሎ፡ ንሱ ናብ ንጉስ ከምዚ ኢሉ ጠርዔ፡ ጊልያኻ ናብ ማእከል ውግእ ወጸ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሓደ ሰብኣይ
ኣግሊሱ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ ሐልዎ፡ ኢሉ ሓደ ሰብኣይ ኣምጽኣለይ። እንተ ጠፍኤ፡ ኣብ ክንዲ ነፍሱ
ነፍስኻ ኽትሐልፍ እያ፡ ወይ ሓደ ታለንት ብሩር ክትከፍል ኢኻ፡ በለኒ። 40 ኰነ ድማ፡ ጊልያኻ ኣብዝን
ኣብትን እናበለ ኺዕዩ ኸሎ፡ ንሱ ጠፍኤ። እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ፡ ባዕልኻ ቈሪጽካዮ፡ ፍርድኻ
ኽምኡ እዩ፡ በሎ። 41 ሽዑ ንሱ ነቲ መሸፈኒ ኻብ ኣዒንቱ ቐልጢፉ ኣግለሶ። እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ፡
ንሱ ኻብ ነብያት ከም ዝኾነ ኣለለዮ። 42 ነቲ ንጉስ ድማ በሎ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነቲ
ዝሐረምክዎ ሰብኣይ ካብ ኢድካ ስለ ዝሰደድካዮ፡ ኣብ ክንዲ ነፍሱ ነፍስኻ፡ ኣብ ክንዲ ህዝቡ ኸኣ
ህዝብኻ ይኹን። 43 እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ ጕህዩ፡ ተቘጢዑ ናብ ቤቱ ኸደ፡ ናብ ሰማርያ ኸኣ መጸ።

## ምዕራፍ 21

1 ድሕሪዚ ነገር ኣዚ ኸኣ ኾነ፡ ንናቦት ይዝርኤላዊ ኣብ ይዝርኤል፡ ኣብ ጥቓ ኣደራሽ ኣከኣብ ንጉስ
ሰማርያ ኣታኽልቲ ወይኒ ገበሮ። 2 ኣከኣብ ድማ ንናቦት፡ እዚ ኣታኽልቲ ወይንኻ፡ ንሱ ኣብ ጥቓ ቤተይ
እዩ እሞ፡ ኣታኽልቲ ሓምሊ ኪኾነንስ፡ ሀበኒ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ካብኡ ዚበልጽ ኣታኽልቲ ወይኒ

ኽህበካ፡ ወይስ እንተ ፈቶኻ፡ ገምጋሙ ገንዘብ ክህበካ፡ ኢሊ ተዛረቦ። [3] ናቦት ድማ ንኣከኣብ፡ እቲ ርስቲ
ኣቦታተይ ክህበካስ፡ እግዚኣብሄር ካባይ የርሕቆ፡ በሎ። [4] ኣከኣብ ከኣ በቲ ናቦት ይዝርኤላዊ፡ ርስቲ
ኣቦታተይ ኣይህበካን፡ ኢሉ ተዛሪብዎ ዝነበረ ቓል ጒህዩን ተቘጢዑን ናብ ቤቱ ኣተወ። ገጹ ንንየው
መሊሱ ኸኣ ኣብ ዓራቱ በጥ በለ፡ እንጌራውን ምብላዕ ኣበየ። [5] ሰበይቱ ኢዛቤል ድማ ናብኡ መጺኣ፡
እንጌራ ዘይትበልዕ፡ እንታይ ኴንካ ኢኻ መንፈስካ ጒህዩ ዘሎ፡ በለቶ። [6] ንሱ ኸኣ፡ ንናቦት ይዝርኤላዊ፡
ብገንዘብ፡ ወይ ንስኻ እንተ ፈቶኻ፡ ኣብ ክንዳኡ ኻልእ ኣታኽልቲ ወይኒ ኽህበካስ፡ እቲ ኣታኽልቲ ወይ
ነፍሲ ኣይህበካን እየ፡ ኢሉኒ፡ በላ። [7] ሰበይቱ ኢዛቤል ከኣ፡ ሕጂስ ንስኻ ደይኰንካን ኣብ እስራኤል
እትገዝእ ዘሎኻ፡ ተንስእ፡ እንጌራ ብላዕ፡ ልብኻውን ይተሐጐስ፡ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ይዝርኤላዊ ኣነ
ኽህበካ እየ፡ በለቶ። [8] ብስም ኣከኣብ ደብዳቤታት ጸሒፉ፡ ብማሕተሙ ድማ ሐቲማ፡ ነተን ደብዳቤታት
ናብቶም ኣብ ከተማ ናቦት ምስኡ ዚነብሩ ዓበይትን ክቡራትን ሰደደተን። [9] ኣብተን ደብዳቤታት ድማ፡
ጾም ኣውጁ፡ ንናቦት ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ኣቐምጥዎ። [10] ኣብ መንጽሩ ድማ ክልተ ሰብ ደቂ
ብልያል ኣቐምጡ። ንሳቶም ከኣ፡ ንኣምላኽን ንንጉስን ረጊምካ ኢኻ፡ ኢሎም ይመስክሩሉ። ኣውጺኦም
ድማ ብዳርባ እምኒ ይቕተልዎ፡ ይሙት ከኣ፡ ዚብል ጸሐፈት። [11] እቶም ሰብ እታ ኸተማኡ፡ እቶም ኣብ
ከተማኡ ዚቕመጡ ዝነበሩ ዓበይትን ክቡራትን ከኣ ከምቲ ኢዛቤል ዝለኣኸትሎም፡ ከምቲ ኣብተን
ዝሰደደትሎም ደብዳቤታት ተጽሒፉ ዝነበረ ገበሩ። [12] ጾም ኣውጀም ንናቦት ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ
ኣቐመጥዎ። [13] እቶም ክልተ ሰብ ደቂ ብልያል ከኣ መጺኦም ኣብ ቅድሚኡ ተቐመጡ፡ እቶም ናይ
ብልያል ሰባት ድማ ኣብ ቅድሚ ህዝብ፡ ታቦት ኣምላኽን ንንጉስን ረጊሙ፡ ኢሎም ንናቦት መስከሩሉ።
ናብ ወጻኢ እታ ኸተማ ኣውጺኦም ከኣ፡ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ፡ ሞተ ኸኣ። [14] ሸዑ፡ ናቦት ብዳርባ እምኒ
ተቐቲሉ፡ ሞይቱ፡ ኢሎም ንኢዛቤል ለኣኹላ። [15] ኰነ ኸኣ፡ ኢዛቤል ናቦት ብዳርባ እምኒ ተቐቲሉ ኸም
ዝሞተ ምስ ሰምዔት፡ ኢዛቤል ንኣከኣብ፡ ናቦት ብህይወቱ የሎን፡ ሞይቱ እዩ እሞ፡ ተንስእ፡ ነቲ ብገንዘብ
ከይህበካ ዝኣበየ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ይዝርኤላዊ ውረሶ፡ በለቶ። [16] ኰነ ድማ፡ ኣከኣብ፡ ናቦት ከም
ዝሞተ ምስ ሰምዔ፡ ኣከኣብ ኪወርሶ ተንሲኡ ናብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ይዝርኤላዊ ወረደ። [17]
ንኤልያስ ቲስቢታዊ ድማ ቃል እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ መጾ፡ [18] ተንስእ እሞ ናብቲ ኣብ ሰማርያ ዚነብር
ኣከኣብ ንጉስ እስራኤል ውረድ። እንሆ፡ ኣብቲ ኺወርሶ ኢሉ ዝወረዶ ኣታኽልቲ ወይኒ ናቦት ኣሎ። [19]
ከምዚ ኢልካ ኸኣ ተዛረቦ፡ እግዚኣብሂር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ቀቲልካስ፡ ወረስካዮዶ ድማ፡ እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብለካ ኣሎ፡ ኣብታ ኣኽላባትስ ደም ናቦት ዝለሐሱላ ቦታ፡ ንኣኻ ድማ ደምካ ኣብኣ ኣኽላባት
ኪልሕሱ እዮም፡ ኢልካ ተዛረቦ። [20] ኣከኣብ ከኣ ንኤልያስ፡ ኣታ ጸላእየይ፡ ረኺብካኒዶ፡ በሎ። ንሱ ድማ
በለ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ክትገብር ስለ እተሸጥካ፡ እወ ረኺበካ። [21] እንሆ፡ ኣነ ኽፉእ
ከምጽኣልካን ክኹስትረካን እየ፡ ኣብ እስራኤል ዘሎ እሱር ኰነ ፍቱሕ፡ ደው ኢሉ ኣብ መንደቕ ዚሸይን
ዘበለ ኻብ ኣከኣብ ከጽንቶ እየ። [22] ስለቲ ዘቘጣዕካኒ ቝጥዓን ንእስራኤል ድማ ስለ ዘስሐትካዮን፡
ንቤትካ ኸም ቤት የሮብዓም ወዲ ናባጥን ከም ቤት ባዕሳ ወዲ ኣሒያን ክገብራ እየ። [23] ብዛዕባ
ኢዛቤልውን እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ ንኢዛቤል ኣብ ጸግዒ መከባብያ ይዝርኤል ኣኽላባት
ኪበልዕዋ እዮም። [24] ካብ ቤት ኣከኣብ ኣብ ከተማ ንዝሞተ፡ ኣኽላባት ኪበልዕዎ እዮም፡ ኣብ መሮር
ንዝሞተ ኸኣ ኣዕዋፍ ሰማይ ኪበልዓኦ እየን። [25] ሰበይቱ ኢዛቤል ትድርኾ ነበረት እሞ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ንምግባርሲ፡ ከም ኣከኣብ ገይሩ እተሸጠ ኣይነበረን። [26] ንሱ ኸምቲ እቶም
እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዘጥፍኦም ኣሞራውያን ዚገብርዎ ዝነበሩ፡ ደድሕሪ ጣኦታት
ብምስዓቡ ብዙሕ ፍንፉን ነገር ገበረ። [27] ኰነ ድማ፡ ኣከኣብ እዚ ዘረባ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ

ቐደደ፡ ስጋኡ ማቕ ከዱኑ ጾመ፡ ኣብ ማቕ ድማ ደቀሰ፡ ቀስ ኢሉውን ይኸይድ ነበረ። 28 ሽዑ ቓል
እግዚኣብሄር ናብ ኤልያስ ቲስቢታዊ መጺኡ በሎ፡ 29 ኣከኣብ ኣብ ቅድመይ ርእሱ ኸም ዘትሐተስ
ርኢኻዮዶ፡ ኣብ ቅድመይ ርእሱ ስለ ዘትሐተ፡ ነቲ ኽፉእ ብዘመኑ ኣየምጽኦን፡ ነቲ ኽፉእስ ብዘመን ወዱ
ኣብ ልዕሊ ቤቱ ከምጽኦ እየ።

# ምዕራፍ 22

1 ኣብ መንጎ ሶርያን እስራኤልን ከኣ ውግእ ዜልቦ ሰለስተ ዓመት ተቐመጡ። 2 ኰነ ድማ፡ በታ ሳልሰይቲ
ዓመት ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ ናብ ንጉስ እስራኤል ወረደ። 3 እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ ንገላዉኡ፡
ራሞትጊልዓድ ናትና ምዃናስ ትፈልጡዶ ኣሎኹም፡ ንሕና ኻብ ኢድ ንጉስ ሶርያ ኸይንወስዳ ድማ ንሕና
ስቕ ኢልናዶ ኣሎና፡ በሎም። 4 ንዮሳፋጥ ከኣ፡ ንራሞትጊልዓድ ክንዋጋኣስ፡ ምሳይዶ ትኸይድ ኢኻ፡
በሎ። ዮሳፋጥ ድማ ንንጉስ እስራኤል፡ ኣነ ኸማኻ እየ፡ ህዝበይ ከም ህዝብኻ፡ ኣፍራሰይ ከም ኣፍራስካ
እዮም፡ በሎ። 5 ዮሳፋጥ ከኣ ነቲ ንጉስ እስራኤል፡ ሎሚ ንቓል እግዚኣብሄር ክትሐትት፡ እልምነካ
ኣሎኹ፡ በሎ። 6 ሽዑ እቲ ንጉስ እስራኤል ነቶም ነብያት ኣርባዕተ ሚእቲ ዚኣኽሉ ሰባት ኣኪቡ፡
ንራሞትጊልዓድ ክዋጋእዶ ክኸይድ ወይ ክተርፍ፡ በሎም። ንሳቶም ድማ፡ ደይብ ደኣ፡ ጐይታ ኣብ ኢድ
ንጉስ ኣሕሊፉ ኺህባ እዩ፡ በሉ። 7 ዮሳፋጥ ከኣ፡ ገናዶ እንሐቶ ነብዩ እግዚኣብሄር ኣብዚ የልቦን፡ በለ። 8
እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ ንዮሳፋጥ፡ ገና ሓደ ሰብኣይ፡ ሚክያስ ወዲ ዩምላ፡ ብእኡ ጌርና ንእግዚኣብሄር
እንሐቶ እባ ኣሎ። ግናኸ ንሱ ኽፉእ እምበር፡ ጽቡቕ ኣይንበየለይን እዩ እሞ፡ ኣነ እጸልኦ እየ፡ በሎ።
ዮሳፋጥ ከኣ፡ ንጉስ ከምኡ ኣይዛረብ፡ በለ። 9 ሽዑ እቲ ንጉስ እስራኤል ንሓደ ስሉብ ጸዊዑ፡ ንሚክያስ
ወዲ ዩምላ ቐልጢፍካ ኣምጽኣዮ፡ በሎ። 10 እቲ ንጉስ እስራኤልን ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳን ከኣ ለልብሰ
መንግስቶም ተኸዲኖም ኣብ ኣፍ ደገ ሰማርያ ኣብ ዘሎ ኣደባባይ ኣብ ዘዝፋኖም ተቐሚጦም ነበሩ።
ኩላቶም እቶም ነብያት ድማ ኣብ ቅድሚኦም ኰይኖም ይንበዩ ነበሩ። 11 ጸድቅያስ ወዲ ከናዓና ኸኣ
ኣቕርንቲ ሓጺን ሰሪሑ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንሶርያውያን ክሳዕ ዚውድኡ በዚኣተን
ክትወግኦም ኢኻ፡ በለ። 12 ኲሎም ነብያት ድማ ከምኡ፡ ናብ ራሞትጊልዓድ ደይብ፡ ኪቐንዓካ ኸኣ እየ፡
እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሕሊፉ ኺህባ እዩ፡ ኢሎም ይንበዩ ነበሩ። 13 እቲ ንሚክያስ ኪጽውዖ
ዝኸደ ልኡኽ ከኣ፡ እንሆ፡ እቶም ነብያት ከም ሓደ ኣፍ ኰይኖም ነቲ ንጉስ ጽቡቕ ይዛረቡሉ ኣለዉ፡
ዘረባኻ ድማ፡ በጃኻ፡ ከም ዘረባ ሓደ ኻባታቶም ይኹን እሞ፡ ጽቡቕ ተዛረብ፡ ኢሉ ተዛረቦ። 14 ሚክያስ
ግና፡ እቲ እግዚኣብሄር ዚብለኒ፡ ንእኡ ኸም ዝዛረብ፡ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ በለ። 15 ናብ ንጉስ ምስ
መጸ ድማ እቲ ንጉስ፡ ኣታ ሚክያስ፡ ኬድናዶ ንራሞትጊልዓድ ክንዋግኣ፡ ወይስ ክንተርፍ፡ በሎ። ንሱ
ኸኣ፡ ደይብ፡ ኪቐንዓካ ድማ እዩ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሕሊፉ ኺህበ እዩ፡ በሎ። 16 እቲ
ንጉስ ድማ፡ ብስም እግዚኣብሄር ሓቂ ጥራይ እምበር፡ ካልእ ኣይትዛረበኒ። ኣነ ኽንደይ ሳዕ ከምሕለካ
እየ፡ በሎ። 17 ንሱ ኸኣ በሎ፡ ንብዘለዉ እስራኤል ጓሳ ኸም ዜብለን ኣባጊዕ ኣብ ኣኽራን ፋሕ ኢሎም
ርኤኽዎም። እግዚኣብሄር ድማ፡ እዚኣቶም ጐይታ የብሎምን፡ ነፍሲ ወከፍ ብሰላም ነናብ ቤቶም
ይመለሱ፡ በለ። 18 እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ ንዮሳፋጥ፡ እዚ ንኣይ ክፉእ እምበር፡ ጽቡቕሲ ኣይንበየለይን
እዩ ደይበልኩኻን፡ በሎ። 19 ሚክያስ ድማ በሎ፡ ስለዚ ቓል እግዚኣብሄር ስማዕ። ንእግዚኣብሄር ኣብ
ዝፋኑ ተቐሚጡ፡ ብዘሎ ሰራዊት ሰማይ ከኣ ብየማነ ጸጋሙ ቘይሙ ርኤኹ። 20 እግዚኣብሄር ድማ፡
ንኣከኣብ ናብ ራሞትጊልዓድ ደዩቡ ኣብኣ ኺወድቕሲ፡ መን ይሐባብሎ፡ በሎ። ሓደ ኸምዚ፡ እቲ ሓደ

ኸኣ ከምቲ በለ። 21 ሽዑ ሓደ መንፈስ ወጺ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው ኢሉ ድማ፡ ኣነ ኸሐባብሎ፡
በለ። 22 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ብምንታይ ጌርካ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ወጺኤ ኣብ ኣፍ ኲሎም ነብያቱ ሓሳዊ
መንፈስ ክኸውን እየ፡ በለ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ንስኻስ ትሐባብሎም ኢኻ፡ ትኽእሎ ድማ፡ ወጺእካ
ኸምኡ ግበር፡ በሎ። 23 ሕጂ ድማ፡ እንሆ፡ ኣብ ኣፍ እዞም ኲሎም ነብያትካ እዚኣቶም እግዚኣብሄር
ሓሳዊ መንፈስ ሂብዎም ኣሎ። ኣብ ልዕሌኻ ኸኣ እግዚኣብሄር ክፉእ ተዛሪቡ ኣሎ። 24 ሽዑ ጸድቅያስ ወዲ
ከናዓና ቐሪቡ ንሚክያስ ኣብ ምንጋጋኡ ጸፍዖ፡ እቲ መንፈስ እግዚኣብሄርሲ ንኣኻ ኺዛረብ ካባይ
ዝሐለፈስ፡ ከመይ ኢሉ እዩ፡ ድማ በሎ። 25 ሚክያስ ከኣ፡ እንሆልካ፡ በታ ንምሕባእ ካብ ውሻጠስ ናብ
ውሻጠ እትኣትወላ መዓልቲ ኽትርኢ ኢኻ፡ በለ። 26 እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ በለ፡ ንሚክያስ ናብ ኣሞን
ሹም እታ ኸተማን ናብ ዮኣስ ወዲ ንጉስን ምለሶ፡ 27 በል ከኣ፡ ንጉስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣነ ብሰላም
ክሳዕ ዝምለስ፡ ነዚ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ግበርዎ፡ እንጌራ መከራን ማይ መከራን ከኣ መግብዎ። 28
ሚክያስ ድማ፡ ርግጽ ብሰላም እንተ ተመለስካስ፡ እግዚኣብሄር ብኣይ ኣይተዛረበን እዩ። ኣቱም ህዝቢ
ኲላትኩም፡ ስምዑ፡ ከኣ በለ። 29 ከምኡ እቲ ንጉስ እስራኤልን፡ ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳን ናብ
ራሞትጊልዓድ ደየቡ። 30 እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ ንዮሳፋጥ፡ ኣነ ትርኢተይ ለዊጠ ናብ ውግእ ክኣቱ
እየ፡ ንስኻ ግና ልብስኻ ተኸደን፡ በሎ። እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ ትርኢቱ ለዊጡ ናብቲ ውግእ ኣተወ።
31 እቲ ንጉስ ሶርያ ኸኣ ነቶም ሰላሳን ክልተን ሓላቒ ሰረገላታቱ፡ ንንጉስ እስራኤል ጥራይ ደኣ እምበር፡
ምስ ንእሽቶ ኾነ፡ ምስ ዓብዪ ኾነ ኣይትዋግኡ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 32 ኰነ ድማ፡ እቶም ሓላቒ ሰረገላታት
ንዮሳፋጥ ምስ ረአይዎ፡ እዚ ርግጽ እቲ ንጉስ እስራኤል እዩ፡ በሉ፡ ኪዋግእዎ ኸኣ ናብኡ ኣግለሱ።
ዮሳፋጥ ድማ ጨርሔ። 33 ኰነ ኸኣ፡ እቶም ሓላቒ ሰረገላታት ንሱ ንጉስ እስራኤል ከም ዘይኰነ ምስ
ረአዩ፡ ካብ ምስዓጉ ተመለሱ። 34 ግናኸ ሓደ ሰብኣይ ቀስቱ ገቲሩ ናብ ዝወረደት ትውረድ ሰደዳ እሞ፡
ነቲ ንጉስ እስራኤል በቲ መጋጠሞ ድርዒ ወግኦ። ሽዑ ንሱ ነቲ ብዓል ሰረገላኡ፡ ተወጊኤ እየ እሞ፡
ኢድካ ምለሳ፡ ካብዚ ሰፈር ኣውጽኣኒ፡ በሎ። 35 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ እቲ ውግእ በርትዔ፡ እቲ ንጉስ
ከኣ ኣብ መንጽር ሶርያውያን ኰይኑ ኣብ ሰረገላኡ ደው ኢሉ ነበረ፡ ምሸት ድማ ሞተ። ደም እቲ
መውጋእቱ ኸኣ ናብ ትሕቲ እቲ ሰረገላ ፈሰሰ። 36 ጸሓይ ክትዐርብ ከላ ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ
ከተማኡ፡ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ነናብ ሃገሩ ይመለስ፡ ዚብል ኣዋጅ በቲ ሰፈር ሐለፈ። 37 እቲ ንጉስ ድማ
ሞተ፡ ናብ ሰማርያ ኸኣ ወሰድዎ፡ ነቲ ንጉስ ድማ ኣብ ሰማርያ ቐበርዎ። 38 ነቲ ሰረገላ ኸኣ ኣብ ሓጽቢ
ሰማርያ ሐጸብዎ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ቓል ድማ፡ ነቲ ደሙ ኣኽላባት ለሐስዎ፡ ኣመናዝር ከኣ
ኣብኡ ተሐጽባ። 39 እቲ ዝተረፈ ናይ ኣክኣብ ነገርን እቲ ኹሉ ዝገበሮን እታ ብስኒ ሓርማዝ ዝሰርሓ
ቤትን እተን ዝሰርሔን ኲለን ከተማታት ድማ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ
ተጽሒፉ ኣየሎን፡ 40 ኣክኣብ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ኣሓዝያ ነገሰ። 41 ዮሳፋጥ
ወዲ ኣሳ ድማ ንኣክኣብ ንጉስ እስራኤል ኣብ ራብዓይ ዓመቱ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ ነገሰ። 42 ዮሳፋጥ ኪነግስ
ከሎ፡ ወዲ ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ። ኣብ የሩሳሌም ድማ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ገዝኤ። ስም
ኣዲኡ ኸኣ ዓዙባ ነበረ፡ ንሳ ጓል ሺልሂ እያ። 43 ንሱ ብኹሉ መገዲ ኣቦኡ ኣሳ ኸደ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ቅኑዕ ዝኾነ ምግባር ካብኡ ኣየግለሰን። 44 ነቲ በረኽቲ ግና ኣየርሐቐዎን፡ እቶም ህዝብስ ገና
ኣብ በረኽቲ ደኣ ይስውኡን ይዐጥኑን ነበሩ። 45 ዮሳፋጥ ከኣ ምስ ንጉስ እስራኤል ሰላም ነበሮ። 46 እቲ
ዝተረፈ ናይ ዮሳፋጥ ነገርን እቲ ዝገበሮ መንፍዓቱን እቲ እተዋግኦን ድማ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ
ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፡ 47 ነቶም ብዘመን ኣቦኡ ኣሳ ተሪፎም ዝነበሩ ኣብ ተባዕታይ
ዚምንዝሩ ከኣ ካብታ ሃገር ኣጥፍኦም፡ 48 ሽዑ ግና ኣብ ኤዶም ንጉስ ኣይነበረን፡ ምስለኔ እዩ ዚገዝእ

ዝነበረ። [49] የሳፋጥ ድማ ናብ ኦፊር ከይደን ወርቂ ኼምጽኣ መራኽብ ተርሲስ ሰርሔ፡ ግናኸ እተን መራኽብ ኣብ ዔጽዮንጋበር ተሰብራ እምበር፡ ኣይከዳን። [50] ሽዑ ኣሓዝያ ወዲ ኣከኣብ ንዮሳፋጥ፡ ገላዎይ ምስ ገላዉኻ ብመራኽብ ይኺዱ፡ በሎ። ዮሳፋጥ ግና ኣይፈተወን። [51] ዮሳፋጥ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ምስ ኣቦታቱ ኸኣ ኣብ ከተማ ዳዊት ኣቦኡ ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ዮራም ነገሰ። [52] ኣሃዝያ ወዲ ኣከኣብ ድማ ንዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ዓሰርተው ሾቦኣተ ዓመቱ ኣብ ሰማርያ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ነገሰ እሞ ክልተ ዓመት ኣብ እስራኤል ገዝኤ። [53] ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ብመገዲ ኣቦኡን ብመገዲ ኣዲኡን ብመገዲ እቲ ንእስራኤል ዘስሐተ የሮብዓም ወዲ ናባጥን ከደ። [54] ከምቲ ኣቦኡ ዝገበሮ ኹሉ፡ ንበዓል ኣገልገለ ሰገደሉውን እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኣኹረዮ።

# 2ይ መጽሓፍ ነገስት

## ምዕራፍ 1

1 ድሕሪ ሞት ኣከኣብ ድማ ሞኣብ ካብ እስራኤል ዐለወ 2 ኣሓዝያ ኸኣ ካብታ ኣብ ሰማርያ ዘላ ደርቢ
ቤቱ ብዓይነ ርግቢ ጸደፈ እሞ ሐመመ፡ ሽዑ ልኡኻት ሰዲዱ፡ ኪዱ እሞ ካብዚ ሕማመይ ዝሐዊ እንተ
ኾይነ፡ ንበዓልዜቡብ ኣምላኽ ዔቅሮን ሕተቱለይ፡ በሎም። 3-4 ግናኸ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንኤልያስ
ቲስቢታዊ፡ ተንስእ፡ ነቶም ልኡኻት ንጉስ ሰማርያ ኽትቀባበሎም ደይብ እሞ፡ እቲ ንበዓልዜቡብ
ኣምላኽ ዔቅሮን ክትሐቱ ዝኸድኩምሲ፡ ኣብ እስራኤልዶ ኣምላኽ የልቦን እዩ፧ ስለዚ ኸኣ ርግጽ
ትመውት እምበር፡ ካብቲ ደዪብካዮ ዘሎኻ ዓራት ኣይትወርድን ኢኻ፡ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር በሎም፡
ኢሉ ተዛረቦ። ኤልያስ ከኣ ኸደ። 5 እቶም ልኡኻት ድማ ናብኡ ተመልሱ። ንሱ ኸኣ፡ እንታይ ኴንኩም
ኢኹም እተመለስኩም፧ በሎም። 6 ንሳቶም ድማ በልዎ። ሓደ ሰብኣይ ኪቃባበለና ደዪቡ፡ ናብቲ
ዝለኣኸኩም ንጉስ ተመሊስኩም፡ እቲ ንበዓልዜቡብ ኣምላኽ ዔቅሮን ክትሐትት ዝለኣኽካስ፡ ኣብ
እስራኤልዶ ኣምላኽ የልቦን እዩ፧ ስለዚ ርግጽ ትመውት እምበር፡ ካብቲ ደዪብካዮ ዘሎኻ ዓራት
ኣይትወርድን ኢኻ፡ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር ኢልኩም ተዛረብዎ፡ በለና። 7 ንሱ ኸኣ፡ እቲ ኺቃባበለኩም
ደዪቡስ እዚ ዘረባ እዚ እተዛረበኩም ሰብኣይከ ኸመይ ዝበለ እዩ፧ በሎም፡ 8 ንሳቶም ድማ፡ ማቕ
እተኸድነ፡ ኣብ ሕቝኡ ኸኣ ፈልቀኣ እተዐጥቀ ሰብአይ እዩ፡ በልዎ። እቲ ንጉስ ድማ፡ ንሱ ኤልያስ
ቲስቢታዊ እዩ፡ በለ። 9 እቲ ንጉስ ከኣ ሓደ ሓለቓ ሓምሳ ምስቶም ሓምሳኡ ገይሩ ሰደደሉ። ንሱ ድማ
ናብኡ ደየበ፡ እንሆ ኸኣ፡ ንሱ ኣብ ርእሲ ኸረን ኮፍ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ እቲ ንጉስ፡
ውረድ፡ ይብለካ ኣሎ፡ በሎ። 10 ኤልያስ ድማ ነቲ ሓለቓ ሓምሳ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ እንተ ኾይነስ፡ ሓዊ
ካብ ሰማይ ይውረድ፡ ንኣኻን ነዞም ሓምሳኻን ከኣ ይብላዕኩም፡ ኢሉ መለሰሉ። ሽዑ ሓዊ ካብ ሰማይ
ወሪዱ ንእኡን ነቶም ሓምሳኡን በልዖም። 11 መሊሱ ድማ ካልእ ሓለቓ ሓምሳ ምስ ሓምሳኡ ገይሩ
ሰደደሉ፡ እዚ ኸኣ፡ ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ እቲ ንጉስ ቀልጢፍካ ውረድ ይብለካ ኣሎ፡ ኢሉ ተዛረቦ። 12
ኤልያስ ድማ፡ ኣነ ናይ ኣምላኽ ሰብ እንተ ኾይነስ፡ ሓዊ ካብ ሰማይ ይውረድ፡ ንኣኻን ነዞም ሓምሳኻን
ከኣ ይብላዕኩም፡ ኢሉ መለሰሉ። ሽዑ ናይ ኣምላኽ ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ ንእኡን ነቶም ሓምሳኡን
በልዖም። 13 መሊሱ ድማ ሳልሳይ ሓለቓ ሓምሳ ምስ ሓምሳኡ ሰደደ፡ እቲ ሳልሳይ ሓለቓ ሓምሳ ኸኣ
ደየበ፡ መጺኡ ድማ ኣብ ቅድሚ ኤልያስ ብብርኩ ተንበርኪኹ ኸምዚ ኢሉ ለመኖ፡ ኣታ ናይ ኣምላኽ
ሰብ፡ በጃኻ፡ ነፍሰይን ነፍሳት እዞም ሓምሳ ገላዉኻን ኣብ ቅድሜኻ ኽቡራት ይኹና። 14 እንሆ፡ ነቶም
ቀዳሞት ክልተ ሓላቑ ሓምሳስ መምስ ሓምሳኦም ሓዊ ካብ ሰማይ ወሪዱ በልዖም፡ ሕጂ ኸኣ ነፍሰይ
ኣብ ቅድሜኻ ኽብርቲ ትኹን። 15 እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ንኤልያስ፡ ምስኡ ውረድ፡ ኣብ
ቅድሚኡ ኣይትፍራህ፡ ኢሉ ተዛረቦ፡ ተንሲኡ ኸኣ ምስኡ ናብቲ ንጉስ ወረደ። 16 ንእኡ ድማ ተዛረቦ፡ እቲ
ንበዓልዜቡብ ኣምላኽ ዔቅሮን ክትሐትት ልኡኻት ዝሰደድካስ፡ ኣብ እስራኤልዶ ነገሩ እትሐቶ ኣምላኽ
የልቦን እዩ፧ ስለዚ ርግጽ ትመውት እምበር፡ ካብዚ ደዪብካዮ ዘሎኻ ዓራት ኣይትወርድን ኢኻ፡ ይብል
ኣሎ እግዚኣብሄር። 17 ከምቲ ኤልያስ እተዛረቦ ቓል እግዚኣብሄር ድማ ሞተ። ወዲ ኣይነበሮን እሞ፡ ኣብ
ክንዳኡ ዮራም ነገሰ። እዚ ኸኣ ኣብ ካልኣይቲ ዓመቱ ንዮራም ወዲ ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ ኾነ። 18 እቲ
ዝተረፈ ኣሓዝያ ዝገበሮ ነገሩ። ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን።

# ምዕራፍ 2

1 ኰነ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንኤልያስ ብህቦብላ ንፋስ ንሰማይ ኬዕርጎ ምስ ደለየ፡ ኤልያስ ምስ ኤልሳእ
ካብ ጊልጋል ከደ። 2 ኤልያስ ከኣ ንኤልሳእ፡ እግዚኣብሄር ክሳዕ ቤትኤል ልኢኹኒ እዩ እሞ፡ በጃኻ፡ ኣብዚ
ጽናሕ፡ በሎ። ኤልሳእ ግና፡ ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ነፍስኻውን ህያው እያ፡ በለ። ናብ
ቤትኤል ድማ ወረዱ። 3 እቶም ኣብ ቤትኤል ዝነበሩ ደቂ ነብያት ከኣ ናብ ኤልሳእ ወጺኦም፡
እግዚኣብሄር ንጐይታኻ ሎሚ ኻብ ልዕሊ ርእስኻ ኽም ዚወስዶ ፈሊጥካ ኣሎኻ፧ በልዎ። እወ፡ ኣነ
ድማ ፈሊጠ ኣሎኹ፡ ስቕ ደኣ በሉ፡ በለ። 4 ኤልያስ ከኣ፡ ኣታ ኤልሳእ፡ እግዚኣብሄር ናብ ያሪኮ ልኢኹኒ
እዩ እሞ፡ በጃኻ፡ ኣብዚ ጽናሕ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ነፍስኻውን
ህያው እያ፡ በለ። ናብ ያሪኮ ኸኣ መጹ። 5 ኣቶም ኣብ ያሪኮ ዝነበሩ ደቂ ነብያት ድማ ናብ ኤልሳእ
ቀሪቦም፡ እግዚኣብሄር ንጐይታኻ ሎሚ ኻብ ልዕሊ ርእስኻ ኽም ዝወስዶ ትፈልጥ ኣሎኻ፡ በልዎ።
እወ፡ ኣነ ድማ ፈሊጠ ኣሎኹ፡ ስቕ ደኣ በሉ፡ በለ። 6 ኤልያስ ድማ፡ እግዚኣብሄር ናብ ዮርዳኖስ ልኢኹኒ
እዩ እሞ፡ በጃኻ፡ ኣብዚ ጽናሕ፡ በሎ። ንሱ ግና፡ ከይሓድገካ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ነፍስኻውን
ህያው እያ፡ በለ። ክልቲኦም ከኣ ኸዱ። 7 ኣብ ደቂ ነብያት ድማ ሓምሳ ሰብ ከይዶም ኣብ ርሑቕ
ኰይኖም ኣብ መንጽሮም ደው በሉ፡ እቶም ክልተ ኸኣ ኣብ ዮርዳኖስ ደው በሉ። 8 ሽዑ ኤልያስ ነታ
ባርኖሱ ወሲዱ ጠቕሊሉ ነቲ ማይ ወቕዖ፡ ናብዝን ናብትን ድማ ተመቕለ፡ ክልቲኦም ድማ ብንቑጽ
ተሳገሩ። 9 ኰነ ኸኣ፡ ምስ ተሳገሩ፡ ኤልያስ ንኤልሳእ፡ ገና ኻባኻ ኽይተወሰድኩ እቲ ኽገብረልካ እትደልዮ
ለምን፡ በሎ። ኤልሳእ ድማ፡ በጃኻ፡ እቲ መንፈስካ ኣብ ልዕለይ ዕጽፊ ይኹን፡ በለ። 10 ንሱ ኸኣ፡ ዜሸግር
ነገር ለመንካ። ካባኻ ኽውሰድ ከሎኹ እንተ ርኤኻኒ ግና፡ ከምኡ ኪዀነልካ እዩ፡ እንተ ዘይኰነ ግና፡
ኣይኸውንን እዩ፡ በለ። 11 ኰነ ኸኣ፡ እናተዛራረቡ ኪኸዱ ኸለዉ፡ እንሆ፡ ሰረገላ ሓውን ኣፍራስ ሓውን፡
ኣብ መንጎኦም መጺኡ ንኽልቲኦም ፈላለዮም። ኤልያስ ድማ ብህቦብላ ንፋስ ናብ ሰማይ ዓረገ። 12
ኤልሳእ ከኣ እዚ ርእዩ፡ ኣቦይ፡ ኣቦይ፡ ሰረገላ እስራኤልን ፈረሰኛታቱን፡ ኢሉ ጨደረ። መሊሱ ድማ
ኣይረኣዮን። ነቲ ኽዳውንቱ ሒዙ ኸኣ ኣብ ክልተ ተርተሮ። 13 ነቲ ባርኖስ ኤልያስ፡ ካብኡ ዝወደቐ፡
ኣልዒሉ ኸኣ፡ ተመሊሱ ኣብ ገምገም ዮርዳኖስ ደው በለ። 14 ነቲ ባርኖስ ኤልያስ፡ ካብኡ ዝወደቐ፡ ድማ
ወሰዶ፡ ነቲ ማይ ወቒዑ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኤልያስከ፡ ንሱ ኣበይ ኣሎ፧ በለ። ነቲ ማይ ምስ
ወቕዖ ድማ፡ ናብዝን ናብትን ተመቕለ፡ ኤልሳእ ከኣ ተሳገረ። 15 እቶም ኣብ ያሪኮ ኣብ መንጽር ዝነበሩ
ደቂ ንብያት ምስ ረኣይዎ ድማ፡ መንፈስ ኤልያስ ኣብ ልዕሊ ኤልሳእ ሓዲሩ ኣሎ፡ በሉ። ኪቃባበልዎ
መጺኦም ከኣ ኣብ ምድሪ ወዲቖም ኢድ ነስኡሉ። 16 ንሳቶም ድማ፡ እንሆ፡ ምስ ገላዉኻ ሓምሳ ሓያላት
ሰባት ኣለዉ እሞ፡ ንጐይታኻ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣልዒሉ ናብ ሓደ ኸረን ወይ ኣብ ሓደ ሽንጭሮ
ደርብይዎ ኸይከውንሲ፡ በጃኻ፡ ከይዶም ይድለይዎ፡ በልዎ። ንሱ ግና፡ ኣይትስደዱ፡ በለ። 17 ክሳዕ
ዚሐፍር ግዲ ምስ በልዎ ኸኣ፡ ንሱ። ስደዱ፡ በሎም። ሓምሳ ሰብ ከኣ ሰደዱ፡ ሰለስተ መዓልቲ ድማ
ደለይዎ፡ ግናኸ ኣይረኸብዎን። 18 ንሱ ኣብ ያሪኮ ተቐሚጡ ኸሎ ኸኣ፡ ናብኡ ተመልሱ። ንሱ ድማ፡
ኣይትኺዱዶ ኣይበልኩኹምን፡ በሎም። 19 ሰብ እታ ኸተማ እቲኣ ኸኣ ንኤልሳእ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ፡
ከምዚ ጐይታይ እትርእዮ ዘሎኻ፡ እንሃ ኣቐማምጣኣ ጽቡቕ እዩ፡ እቲ ማይ ግና ሕማቕ እዩ፡ እዛ ሃገር
ድማ መምከኒት እያ፡ በልዎ። 20 ንሱ ኸኣ፡ ወዝኖ ዳንሶ ኣምጽኡለይ ጨው ድማ ግበሩሉ፡ በለ። ናብኡ
ኸኣ ኣምጽኡሉ። 21 ናብታ ዓይኒ ማይ ድማ ወጸ፡ ኣብኡ ጨው ደርብዩ ኸኣ በለ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ኣነ ነዚ ማይ እዚኣ ፈዊሰያ እየ፡ ድሕሪ ደጊም ካብኡ ሞትን ምምካንን ኣይኸውንን። 22 እቲ
ማይ ከኣ፡ ከምቲ ኤልሳእ እተዛረቦ ዘረባ፡ ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ጥዑይ ኰይኑ ኣሎ። 23 ካብኡ ኸኣ

ናብ ቤትኤል ደየበ። ብመገዲ ኺድይብ ከሎ ድማ፡ ናእሽቱ ቈልዑ ኻብታ ኸተማ ወጺኦም፡ ኣታ
በራሕ። ደይብ፡ ኣታ በራሕ፡ ደይብ፡ ኢሎም ኣላገጹሉ። 24 ንድሕሪት ግልጽ ኢሉ ድማ ረአዮም፡ ብስም
እግዚኣብሄር ከኣ ረገሞም። ሽዑ ኽልተ ድቢ ኻብ ዱር ወጹ፡ ካባታቶም ድማ ኣርብዓን ክልተን ቈልዓ
ሰባበሩ። 25 ካብኡ ኸኣ ናብ ከረን ቀርሜሎስ ከደ፡ ካብኡውን ናብ ሰማርያ ተመልሰ።

# ምዕራፍ 3

1 ንዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመቱ ዮራም ወዲ ኣክኣብ ኣብ ልዕሊ እስራኤል
ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ከኣ ገዝኤ። 2 ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ከም
ኣቦኡን ኣዲኡን ግና ኣይኰነን፡ ንሱስ ነቲ ኣቦኡ ዝገበሮ ሓወልቲ በዓል ኣርሐቖ። 3 ግናኸ ኣብቲ
ንእስራኤል ዘስሐተሉ ሓጢኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ ጠበቐ እምበር፡ ካብኡ ኣየግለሰን። 4 ሜሳ ንጉስ
ሞኣብ ከኣ ብዓል ኣባጊዕ ነበረ። ንንጉስ እስራኤል ድማ ሚእቲ ሽሕ ገንሸልን ሚእቲ ሽሕ ድዑል ምስ
ጸጕሮምን ይግብረሉ ነበረ። 5 ኰነ ኸኣ፡ ኣክኣብ ምስ ሞተ፡ እቲ ንጉስ ሞኣብ ካብ ንጉስ እስራኤል ዐለወ።
6 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ንጉስ ዮራም ካብ ሰማርያ ወጺኡ ንብዘሎ እስራኤል ቈጸረ። 7 ናብ ዮሳፋጥ
ንጉስ ይሁዳ ልኢኹ ኸኣ፡ ንጉስ ሞኣብ ካባይ ዐልዩ እዩ እሞ፡ ንንጉስ ሞኣብ ክንዋግኦስ፡ ምሳይዶ
ትኸይድ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ ድማ፡ ሕራይ እድይብ፡ ኣነ ኸማኻ፡ ህዝበይ ከም ህዝብኻ፡ ኣፍራሰይ ከም
ኣፍራስካ፡ በለ። 8 ንሱ ኸኣ፡ በየናይ መገዲኸ ንደይብ፡ በለ። ብመገዲ በረኻ ኤዶም፡ በለ። 9 ንጉስ
እስራኤልን ንጉስ ይሁዳን ንጉስ ኤዶምን ድማ ኸዱ፡ መገዲ ሸብዓተ መዓልቲ ምስዞሩ ኸኣ፡
ንሰራዊቶምን ነተን ዚስዕባኦም ዝነበራ እንስሳን ማይ ሰኣኑ። 10 ሽዑ እቲ ንጉስ እስራኤል። ኣየ፡
እግዚኣብሄር ነዞም ሰለስተ ነገስታት እዚኣቶም ኣብ ኢድ ሞኣብ ኣሕሊፉ ኺህቦም ጸውዖም፡ በለ። 11
ዮሳፋጥ ግና፡ ብእኡ ንእግዚኣብሄር እንሐተሉ ነብዩ እግዚኣብሄርዶ ኣብዚ የልቦን፧ በለ። ሽዑ ሓደ ካብ
ገላዉ ንጉስ እስራኤል፡ እቲ ናብ ኣእዳው ኤልያስ ማይ ዜፍስስ ዝነበረ ኤልሳእ ወዲ ሻፋጥ እባ ኣብዚ
ኣሎ፡ ኢሉ መለሰ። 12 ዮሳፋጥ ከኣ፡ ቃል እግዚኣብሄር ምስኡ ኣሎ፡ በለ። ንጉስ እስራኤልን ዮሳፋጥን
ንጉስ ኤዶምን ኰይኖም ድማ ናብኡ ወረዱ። 13 ኤልሳእ ከኣ ንንጉስ እስራኤል፡ ንኣይን ንኣኻን እንታይ
ኣራኺቡና፧ ናብቶም ነብያት ኣቦኻን ናብ ነብያት ኣዴኻን ደኣ ኺድ፡ በሎ። እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ፡
ኣይፋል፡ እግዚኣብሄር ነዞም ሰለስተ ነገስታት እዚኣቶም ደኣ ኣብ ኢድ ሞኣብ ኣሕሊፉ ኺህቦም እዩ
ዝጸውዖም፡ በሎ። 14 ኤልሳእ ከኣ፡ ንዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ እንተ ዘይብልሲ፡ ኣነ ኣይምጠመትኩኻን
ኣይምርኤኹኻን ድማ፡ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢለ ዘሎኹ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ህያው እዩ፡ 15
ሕጂ ኸኣ ሓደ ብዓል በገና ኣምጽኡለይ፡ በለ። ኰነ ድማ፡ እቲ ብዓል በገና ምስ ወቕዔ፡ ኢድ
እግዚኣብሄር መጸቶ፡ 16 በለ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብዚ ርባ እዚ ጐዳጕዲ ኣብ ርእሲ
ጐዳጕዲ ኹዐቱ። 17 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንፋስ ኣይትርእዩን፡ ዝናምውን ኣይትርእዩን፡ እዚ
ርባ ደኣ ባዕሉ ማይ ይመልእ እሞ፡ ንስኻትኩምን እንስሳኹምን ከብትኹምን ክትሰትዩ ኢኹም። 18 እዚ
ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቀሊል እዩ እሞ፡ ንሞኣብውን ኣሕሊፉ ኣብ ኢድኩም ኪህበኩም እዩ። 19
ንስኻትኩም ድማ ንኹለን ዕሩዳት ከተማታትን ንኹለን ሕሩያት ከተማታትን ከተጥፍእወን ኢኹም፡
ንኹሉ ጽቡቕ ዘበለ ኦም ከኣ ክትቈርጹ፡ ኩሉ ዓይኒ ማያትውን ክትደፍኑ ኢኹም፡ ንኹሉ ጽቡቕ ዘበል
ግራት ከኣ በእማን ከተብኣላሽውዎ ኢኹም። 20 ኰነ ድማ፡ ንጽብሒቱ በታ መስዋእቲ ብልዒ ዚዐርገላ
ጊዜ፡ እንሆ፡ ማይ ብመገዲ ኤዶም ኣቢሉ መጸ፡ እታ ሃገር ከኣ ማይ መልኤት። 21 ብዘለዉ ሞኣባውያን

ድማ እቶም ነገስታት ኪዋግእዎም ከም ዝደየቡ ምስ ሰምዑ፡ ኣጽዋር ኪዐጥቕ ዚኽእል ዘበለ ኻብኡ
ንላዕሊውን ከቲቶም ኣብቲ ዶብ ቈሙ። 22 ንግሆ ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ። ጸሓይ ከኣ ኣብቲ ማይ ምስ
ኣንጸባረቐት፡ እቶም ሞኣባውያን እቲ ማይ ኣብ መንጽሮም ከም ደም ቀዪሒ ረአይዎ። 23 ሽዑ፡ እዚ ደም
እዩ፡ እቶም ነገስታት ብርግጽ ተዋጊኦም ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ቐቲሉ እዩ። እምበአር ሕጅስ፡ ኣታ ሞኣብ፡
ኪድ ማርኽ፡ በሉ። 24 ናብቲ ሰፈር እስራኤል ምስ ኣተዉ ኸኣ፡ እቶም እስራኤላውያን ተንሲኦም
ንሞኣባውያን ተዋግእዎም፡ ስዒሮም ድማ ናብታ ሃገር ኣተዉ። 25 ነተን ከተማታት ከኣ ኣፍረሱ፡ ንዅሉ
ጽቡቕ ዘበለ ግራት ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኤእምኖም ደርብዮም መልእዎ፡ ንዅሉ ዓይኒ ማያትውን
ደፈንዎ፡ ንዅሉ ጽቡቕ ዘበለ ኦም ድማ ቈረጽዎ። ንቂርሓረሰት እምኒ ጥራይ ከሳዕ ዜትርፍዋ ሰብ
ወንጭፍ ከቢቦም ተዋግእዋ። 26 እቲ ንጉስ ሞኣብ ከኣ ውግእ ከም ዝበርትዖ ምስ ረአየ፡ ጥሒሱ ናብ
ንጉስ ኤዶም ኪሐልፍ፡ ሾብዓተ ሚእቲ ሴፍ ዚመልሑ ሰብ ወሰደ፡ ግናኸ ኣይከአሉን። 27 ሽዑ ነቲ ኣብ
ክንዳኡ ዚነግስ በዅሪ ወዱ ወሲዱ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መካበብያ ንዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረጎ። ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ከኣ ብርቱዕ ኲራ ዅነ እሞ፡ ካብኡ ረሐቑ፡ ናብ ሃገሮም ድማ ተመልሱ።

## ምዕራፍ 4

1 ካብ ኣንስቲ ደቂ ነብያት ድማ ሓንቲ ሰበይቲ ናብ ኤልሳእ፡ ሰብኣየይ ጊልያኻ ሞይቱ እዩ፡ ጊልያኻ ኸኣ
ፈራህ እግዚኣብሄር ከም ዝነበረ ትፈልጥ ኢኻ፡ በዓል ዕዳ ኸኣ ንኽልቲኦም ደቀይ ወሲዱ ባሮቱ
ኺገብሮም መጺኡ ኣሎ፡ ኢላ ጠርዔት። 2 ኤልሳእ ድማ፡ እንታይ እሞ ኽገብረልኪ፧ ኣብ ቤትኪ ዘሎኪ
ንገርኒ፡ በላ። ንሳ ኸኣ፡ ገረድካ ብጃካ መቐርሰሚቶ ዘይቲ ኣብ ቤት ገለ እኳ የብላን፡ በለት። 3 ሽዑ ንሱ
በላ፡ ኪዲ እሞ ካብ ወጻኢ፡ ካብ ኲለን ጐረባብትኺ ጥራይ ዝዀነ ጐይብታት ለምኒ፡ ኣይተውሕድዮ
ድማ። 4 እተዊ። ድሕሬኽን ድሕሪ ደቅኽን ከኣ ማዕጾ ሽጕሪ፡ ናብ ኲሉ እዚ ገይብታት እዚ ኸኣ
ኣዕርቕዮ፡ ዘዝመልኤ ድማ ኣግልስዮ። 5 ካብኡ ኸኣ ከደት እሞ። ድሕሪኣን ድሕሪ ደቃን ነታ ማዕጾ
ሸጐረቶ። ንሳቶም ድማ ጐይብታት የምጽኡላ ነበሩ፡ ንሳ ኸኣ ተዕርቕ ነበረት። 6 ኰነ ድማ፡ እቲ
ጐይብታት ምስ መልኤ፡ ንወዳ፡ ገና ኸኣ ጐይቢ የልቦን፡ በላ። እቲ ዘይቲ ኸኣ ቈመ። 7 ሽዑ ናብቲ ናይ
ኣምላኽ ሰብ መጺኣ ነገረቶ። ንሱ ድማ። ኪዲ፡ እቲ ዘይቲ ሸጢ እሞ ዕዳኺ ኽፈሊ፡ በቲ ዝተረፈ ኸኣ
ንስኽን ደቅኽን ተናበሩ፡ በላ። 8 ሓደ መዓልቲ ድማ ኾነ፡ ኤልሳእ ኣንብ ሹኔም ሐለፈ። ኣብኡ ኸኣ
ሃብታም ሰበይቲ ነበረት እሞ፡ እንጌራ ኪበልዕ ግዲ በለቶ። ኰነ ድማ፡ ኲሉ ሳዕ ብእኣ ምስ ዚሐልፍ፡
እንጌራ ኺበልዕ ናብኣ የግልስ ነበረ። 9 ንሰብኣያ ኸኣ፡ እንሆ እዚ ወርትግ በዚ ዚሐልፍ፡ ንሱ ቅዱስ ናይ
ኣምላኽ ሰብ ምዃኑ እፈልጥ ኣሎኹ። 10 እምበኣርሲ፡ በጃኻ፡ ኣብ ልዕሊ መንደቕ ንእሽቶ ቤት ንስራሕ
እሞ ኣብኣ ዓራትን ሰደቓን መንበርን ቀዋሚ ቐንዴልን ንግበር። ኪኸውን ድማ እዩ፡ ናባና ምስ ዚመጽእ፡
ናብኣ የግልስ፡ በለቶ። 11 ኰነ ኸኣ፡ ሓንቲ መዓልቲ ናብኣ መጸ፡ ናብታ ቤት ኣግሊሱ ድማ ኣብኣ ደቀሰ።
12 ንገሓዚ ድማ። እቲ ጊልያኡ፡ ነታ ሹናማዊት ጸውዖያ፡ በሎ። ምስ ጸውዓ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው
በለት። 13 ንሱ ኸኣ ንእኡ፡ እንሆ፡ እዚ ዅሉ ሓልዮት እዚ ሐሌኽልና፡ እንታይ እሞ ኺግበረልኪ እዩ፧
ኣብ ንጉስ ወይ ኣብ ሓለቓ ሰራዊት ዚዝረብዶ ኣሎኪ፧ በላ፡ በሎ። ንሳ ድማ፡ ኣብ ማእከል ህዝበይ እየ
ተቐሚጠ ዘሎኹ፡ በለት። 14 እንታይ ደአ ኽገብረላ እየ፧ በለ። ገሓዚ ኸኣ፡ ውሉድ እምበር የብላን፡
ሰብኣያ ድማ ኣረጊት እዩ፡ በለ። 15 ንሱ ኸኣ፡ ጸውዓያ፡ በለ። ምስ ጸውዓ ድማ፡ ኣብ ኣፍ ቤት ደው
በለት። 16 ንሱ ኸኣ፡ ንዓመታ ኸምዛ ጊዜ እዚኣ ወዲ ኽትሐቕፊ ኢኺ፡ በለ። ንሳ ድማ፡ ኣይፋልካን

ጐይታይ፡ ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንገረድካ ኣይትሐስዋ፡ በለት። [17] እታ ሰበይቲ ኸኣ ጠነሰት እሞ፡ ከምቲ
ኤልሳእ እተዛረቦ፡ ንዓመታኡ በታ ጊዜ እቲኣ ወዲ ወለደት። [18] እቲ ቈልዓ ድማ ዐበየ። ኰነ ኸኣ፡ ሓንቲ
መዓልቲ ናብ ኣቦኡ ናብ ዓጻዶ ወጸ። [19] ነቦኡ ድማ፡ ርእሰይ፡ ርእሰይ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ ንጊልያኡ።
ሐንጊርካ ናብ ኣዲኡ ውሰዶ፡ በሎ። [20] ሓንጊሩ ኸኣ ናብ ኣዲኡ ኣእተዎ። ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ድማ ኣብ
ብርካ ኾፍ በለ፡ ሽዑ ሞተ። [21] ንሳ ኸኣ ደዪባ ኣብ ዓራት እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣደቀሰቶ፡ ብድሕሪኡ
ሽጒራቶ ወጸት። [22] ንሰብኣያ ጸዊዓ ድማ፡ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ጐይየ ኽምለስሲ፡ በጃኻ፡ ሓደ
ኻብቶም ገላዉን ሓንቲ ኣድግን ስደደለይ፡ በለቶ። [23] ንሱ ኸኣ፡ ሰርቂ ወርሒ ኣይኰነ፡ ሰንበትውን
ኣይኰነ፡ ስለምንታይ ደአ ሎሚ ናብኡ እትኸዲ፡ በላ። ንሳ ድማ፡ ደሓን፡ በለት። [24] ሽዑ ነታ ኣድጊ ጽዒና
ነቲ ጊልያኣ፡ ኪድ ምራሕ፡ ኣነ እንተ ዘይበልኩኻ ኣብ መገዲ ጠጠው ኣይተብለኒ፡ በለቶ። [25] ተበጊሳ ድማ
ኣብ ከረን ቀርሜሎስ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ከደት። ኰነ ኸኣ፡ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣማዕድዩ ምስ
ረአያ፡ ንጊልያኡ ገሓዚ፡ እታ ሹናማዊት፡ ኣብኡ እንሃ፡ [26] በጃኻ፡ ሕጂ ጐዪኻ ተቐበላ እሞ ደሓንዶ ኢኺ፧
ሰብኣይኪኸ ደሓንዶ ኣሎ፧ እቲ ወዲኺ ደሓንዶ ኣሎ፧ በላ፡ በሎ። ንሳ ድማ ደሓን በለት። [27] ናብቲ
ኸርን፡ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ምስ መጸት ከኣ፡ በእጋሩ ኣጽኒዓ ሐዘቶ። ገሓዚ ድማ ኪደፍኣ ቐረበ፡ እቲ
ናይ ኣምላኽ ሰብ ግና፡ ነፍሳ እተመረረት እያ እሞ፡ ሕደጋ ደኣ፡ እግዚኣብሄር ግዳ ሓቢኡለይ እዩ፡
ኣይገለጸለይን ድማ፡ በሎ። [28] ንሳ ኸኣ፡ ወዲ ሀበኒ ኢለዶ ኻብ ጐይታይ ለሚነ ነይረ እየ፧ ኣይትጠብረኒዶ
ኢለካ ኣይነበርኩን፧ በለት። [29] ሽዑ ንገሓዚ፡ ሕቘኻ ተዐጠቕ እሞ፡ በትረይ ኣብ ኢድካ ሒዝካ ኺድ፡ ገለ
ሰብ እንተ ረኸበካ ከኣ፡ ከመዓልካ ኣይትበሎ፡ ከመዓልካ እንተ በለካውን ኣይትምለሰሉ። ነዛ በትረይ
ድምፕ ኣብ ገጽ እቲ ቈልዓ ኣንብራ፡ በሎ። [30] ኣደ እቲ ቈልዓ ኸኣ፡ ከይሐድገካ፡ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡
ነፍስኻውን ህያው እያ፡ በለት። ተንሲኡ ድማ ደድሕሪኣ ኸደ። [31] ገሓዚ ኸኣ ቀዲምዎም ሐሊፉ፡ ነታ
በትሪ ኣብ ገጽ እቲ ቈልዓ ኣንበራ፡ ግናኸ ደሃይ ኣይነበሮን፡ ምስማዕውን ኣይነበሮን። ሽዑ ኺቃባበሎ
ተመሊሱ፡ እቲ ቈልዓ ኣይተንስኤን፡ ኢሉ ነገሮ። [32] ኤልሳእ ናብታ ቤት ምስ ኣተወ ድማ፡ እንሆ፡ እቲ
ቈልዓ ሞይቱ፡ ኣብ ዓራቱ ተጋዲሙ ጸንሖ። [33] ናብታ ቤት ኣትዩ ኸኣ፡ ድሕሪ ኽልቲኦም ነቶ ማዕጾ
ሸጒሮ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ከኣ ለመነ። [34] ደዪቡ ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ቈልዓ በጥ በለ፡ ኣፉ ኸኣ ኣብ ኣፉ፡
ዓይኑ ድማ ኣብ ዓይኑ፡ ኢዱውን ኣብ ኢዱ ገበረ እሞ፡ ኣብ ልዕሊኡ ተዘርግሐ፡ ስጋ እቲ ቈልዓ ኸኣ
ሞቐ። [35] መሊሱ ድማ ኣብታ ቤት ሓንሳእ ናብዚ ሓንሳእ ናብቲ ኣቢሉ ተዛወረ፡ ከም ብሓድሽ ደዪቡ
ኸኣ፡ ኣብ ልዕሊኡ በጥ በለ። እቲ ቈልዓ ድማ ሾብዓተ ሳዕ እንጥሾ በለ እሞ እቲ ቈልዓ ኣዒንቱ ቛሕ
ኣበለ። [36] ሽዑ ኤልሳእ ንገሓዚ ጸዊዑ፡ ነታ ሹናማዊት ጸውዓያ፡ በሎ። ጸዊዑ ኸኣ። ናብኡ ምስ ኣተወት
ድማ፡ ወድኺ ውሰዲ፡ በላ። [37] ኣትያ ኸኣ ኣብ እግሩ ወዲቓ ናብ ምድሪ ፍግም ኢላ ሰገደት፡ ወዳ ሒዛ
ድማ ወጸት። [38] ኤልሳእ ከኣ ናብ ጊልጋል ተመልሰ፡ ኣብታ ሃገር ድማ ጥሜት ነበረ። እቶም ደቂ ነብያት
ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ተቐሚጦም ነበሩ። ነቲ ጊልያኡ ድማ፡ ነቲ ዓብዪ ቕኑራዕ ሰኽቲትካ ነዞም ደቂ ነብያት
ጸብሒ ኣፍልሓሎም፡ በሎ። [39] ሓደ ኸኣ ሓምሊ ኺሐምል ናብ መሮር ወጸ፡ ወይኒ መሮር ድማ ረኸበ፡
ካብኡ ኸኣ ሓምሊ መሮር ሓሚሉ ኽዳኑ መሊኡ ኣተወ፡ ስለ ዘይፈለጥዎ ድማ፡ ናብቲ ቕኑራዕ ቀርደዶ።
[40] ምእንቲ ኪበልዑ ድማ ነቶም ሰባት ቀድሓሎም። ኰነ ኸኣ፡ ካብቲ ጸብሒ ኺበልዑ ኸለዉ፡ ኣታ ናይ
ኣምላኽ ሰብ፡ ኣብዝስ ቕኑራዕ ሞት ኣሎ፡ ኢሎም ጨርሑ። ኪበልዕዎ ኸኣ ኣይከኣሉን። [41] ሽዑ ንሱ፡
ሓርጭ ኣምጽኡ፡ በለ። ኣብ ቀኑራዕ ኣእትይዎ ድማ፡ ምእንቲ ኺበልዑ፡ ነቶም ህዝቢ ቕድሑሎም፡ በለ።
ድሕርቲ ኣብቲ ቕኑራዕ ገለ ኽፉእ ነገር ኣይነበረን። [42] ካብ በዓልሻሊሻ ድማ ሰብኣይ መጸ፡ ነቲ ናይ
ኣምላኽ ሰብ ከኣ ናይ በኹራት እንጌራ፡ ዕስራ ጐሳ ስገምን ጥቡስ ሰዊት ስርናይ ኣብ ለቜታ ገይሩ

ኣምጽኣሉ። ንሱ ድማ፡ ኪበልዕዎስ ነዞም ህዝቢ ሀቦም፡ በለ። 43 እቲ ኣገልጋሊኡ ኸኣ፡ እዚ ደአ ኸመይ
ገይረ ንሚእቲ ሰብ ክቕርበሎም እየ፧ በለ። ንሱ ግና፡ እግዚኣብሄር፡ ኪበልዑ እዮም፡ ኬትርፉ ድማ
እዮም፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንህዝቢ ደአ ሀቦም ይብልዕዎ፡ በለ። 44 ሽዑ ኣብ ቅድሚኦም ኣቕረበሎም፡ ከምቲ
ቓል እግዚኣብሄር ድማ በሊዖምሲ ኣትረፉ።

# ምዕራፍ 5

1 ንእማን ድማ፡ ንንጉስ ሶርያ ሓለቓ ሰራዊቱ፡ እግዚኣብሄር ንሶርያ ብእኡ ዲል ሂብዎም ነበረ እሞ፡ ኣብ
ቅድሚ ጐይታኡ ዓብይን ክቡርን ሰብ ነበረ፡ እቲ ሰብኣይ ከኣ ብርቱዕ ጅግና ነበረ፡ ግናኸ ለምጻም
ነበረ። 2 ሶርያውያን ድማ ሓደጋ ኺወድቁ ወጺኦም ነበሩ፡ ካብ ምድሪ እስራኤል ከኣ ንእሽቶ ጓል
ማሪኾም ወሰዱ። ንሳ ድማ ኣብ ቅድሚ ሰበይቲ ንእማን ተገልግል ነበረት። 3 ንእመቤታ ኸኣ፡ ጐይታይሲ
ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ሰማርያ ዘሎ ነብዩ እንተ ዚህሉ፡ ሽዑ ኻብ ለምጹ መሕወዮ ነይሩ፡ በለት። 4
ንእማን ከኣ ኣትዩ ንጐይታኡ፡ እታ ኻብ ምድሪ እስራኤል ዝመጸት ጓል ከምዝን ከምዝን ኢላ ተዛሪባ፡
ኢሉ ነገሮ። 5 እቲ ንጉስ ሶርያ ድማ፡ እምበእርሲ ኺድ፡ ኣነ ኸኣ ንንጉስ እስራኤል ደብዳበ ኽሰደሉ እየ፡
በለ። ሽዑ ንሱ ዓሰርተ ታለንት ብሩርን ሹድሽተ ሽሕ ሲቃል ወርቅን ዓሰርተ ለውጢ ኽዳውንትን ምስኡ
ሒዙ ኸደ። 6 ነታ ደብዳበ ድማ ንንጉስ እስራኤል ኣብጽሓሉ፡ ንሳ ኸምዚ ትብል፡ ሕጂ ኸኣ፡ እዛ ደብዳበ
እዚኣ ምስ መጸትካ፡ እንሆ፡ ንእማን ጊልያይ ካብ ለምጹ ኸተሕውዮ ኢለ ናባኻ ሰዲደዮ ኣሎኹ። 7 ኰነ
ድማ፡ እቲ ንጉስ እስራኤል ነታ ደብዳበ ምስ ኣንበባ፡ ክዳውንቱ ቐዲዱ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ ኻብ ለምጹ
ኸሕውዮ ኢሉ ዝሰደደለይ፡ ዝቕትልን ዘሕውንሲ፡ ኣነዶ ኣምላኽ እየ ንሱ ምኽንያት ጥራይ ይደልየኒ
ኸም ዘሎ፡ በጃኹም፡ ፍለጡን ርአዩን፡ በለ። 8 ኰነ ድማ፡ ኤልሳእ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ እቲ ንጉስ
እስራኤል ክዳውንቱ ኸም ዝቐደደ ምስ ሰምዔ፡ ናብቲ ንጉስ ልኢኹ፡ ስለምንታይከ ኢኻ ኽዳውንትኻ
ዝቐደድካ፡ ኣብ እስራኤል ነብዩ ኸም ዘሎ ኺፈልጥሲ ናባይ ይምጻእ፡ በሎ። 9 ንእማን ከኣ በፍራሱን
ብሰረገላታቱን መጺኡ፡ ኣብ ኣፍ ደገ ቤት ኤልሳእ ደው በለ። 10 ኤልሳእ ከኣ ናብኡ ልኡኽ ሰዲዱ፡ ናብ
ዮርዳኖስ ኪድ እሞ ሸብዓተ ሳዕ ተሓጸብ፡ እቲ ስጋኻ ድማ ጥዕዩ ይምለሰካ፡ ክትጸሪውን ኢኻ፡ በሎ። 11
ንእማን ግና ኲርዩ ኸደ እሞ፡ እንሆ፡ ኣነስ ብርግጽ ወጺኡ፡ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኹ ተማህሊሉ፡
ነቲ ለምጺ ዘለዎ ስፍራ ብኢዱ ዳህሲሱ ዜሕውየኒ መሲሉኒ ነይረ። 12 ካብ ኵሉ ማያት እስራኤልሲ፡ እቲ
ርባታት ደማስቆ ኣባናን ፈርጳርንዶ ግዳ ኣይበልጽን ኣብኡ ተሓጺበዶ ኣይምጸሬኹን፧ በለ።ተናዲደ ኸኣ
ገጹ መሊሱ ኸደ። 13 ገላውኡ ግና ቅርብ ኢሎም፡ ኣቦየ፡ እዚ ነብዩ ጽኑዕ ነገር እንተ ዚዛረበካስ፡
ኣይምገበርካዮንዶ፧ ተሐጸብ እሞ ጽረ፡ እንተ በለካ ግዳ ኸመይ፧ ኢሎም ተዛረብዎ። 14 ሽዑ ወረዱ፡ ከም
ዘረባ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ኣብ ዮርዳኖስ ሾብዓተ ሳዕ ጠሐለ፡ ስጋኡ ኸኣ ከም ስጋ ንእሽቶ ቘልዓ
ኰይኑ ተመልሶ፡ ጸረየውን። 15 ሽዑ ንሱ ምስ ብዘሎ ጭፍራኡ ተመሊሱ፡ ናብቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ መጾ፡
ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ድማ፡ እንሆ፡ ሕጂስ ብጀኻ ኣብ እስራኤል ኣብ ብዘላ ምድሪ ኣምላኽ ከምዜልቦ
ፈለጥኩ፡ ሕጂ ኸኣ፡ በጃኻ፡ ካብ ጊልያኻ ገጽ በረኸት ተቐበል፡ በለ። 16 ንሱ ግና፡ እቲ ኣብ ቅድሚኡ
ደው ኢለ ዘሎኹ ህያው እግዚኣብሄር እዩ፡ ከይቅበለካ፡ በለ። ንሱ ድማ ኪቕበሎ ግዲ በሎ። ንሱ ግና
ኣበየ። 17 ሽዑ ንእማን፡ እዚ ኻብ ዘይኸውንሲ ንጊልያኻ ኽልተ ጽዕነት በቕሊ መሬት ክትህቦ በጃኻ።
ድሕሪ ደጊምሲ ጊልያኻ ንእግዚኣብሄር እምበር፡ ንኻልኦት ኣማልኽትስ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ
ሕሩድን ኣየቕርብን እዩ። 18 በዚ ነገር እዚ ግዳ እግዚኣብሄር ንጊልያኻ ይስረየለይ፡ ጐይታይ ኣብ ቤት

ሪሞን ኣብኣ ኺሰግድ ኢሉ ምስ ዚኣቱ፡ ንሱ ኣብ ኢደይ ይጐዝጐዝ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቤት ሪሞን እሰግድ፡
ኣብ ቤት ሪሞን ክሰግድ ከሎኹ ድማ፡ በዚ ነገር እዚ ደኣ እግዚኣብሄር ንጊልያኻ ይስረየለይ፡ በለ። [19]
ንሱ ድማ፡ ብሰላም ኪድ፡ በሎ። ካብኡ ኸኣ ገለ ቐሩብ መገዲ ኸደ። [20] ገሓዚ ጊልያ ኤልሳእ፡ ናይ
ኣምላኽ ሰብ፡ ግና፡ እንሆ፡ ጐይታይ ነዚ ንእማን ሶርያዊ ዘምጽኦ ኻብ ኢዱ ኸይወስድ ነሐፎ። ህያው
እግዚኣብሄር ኢሉ፡ ደድሕሪኡ ጐይየ ገለ ኻብኡ ኽወስድ፡ እየ፡ በለ። [21] ሽዑ ገሓዚ ደድሕሪ ንእማን
ሰዐበ። ንእማን ከኣ ደድሕሪኡ ኺጐዪ ምስረአዮ፡ ኪቕበሎ ኻብ ሰረገላ ዘሊሉ ወረደ እሞ፡ ደሓንዶ፧
በለ። [22] ንሱ ድማ፡ ደሓን፡ ጐይታይ ደኣ፡ እነዉ ኽልተ መንእሰይ ካብ ደቂ ነብያት ካብ ከረን ኤፍሬም
ሕጂ ሕጂ መጺኦምኒ እሞ፡ በጃኻ፡ ንኣታቶም ሓደ ታለንት ብሩርን ክልተ ለውጢ ኽዳውንትን ሀቦም፡
ኢሉ ልኢኹኒ፡ በለ። [23] ንእማን ከኣ፡ ኤረ ኽልተ ታለንት ውሰድ፡ በለ። ግዲ ድማ በሎ። ክልተ ታለንት
ብሩር ኣብ ክልተ ኸረጺት ኣሲሩ፡ ክልተ ለውጢ ኽዳውንቲውን ገይሩ ንኽልተ ገላውኡ ሀቦም፡ ንሳቶም
ድማ ቀቅድሚኡ ተሰከምዎ። [24] ኣብታ ኹርባ ምስ በጽሐ ኸኣ፡ ካብ ኢዶም ወሲዱ ኣብ ቤት ኣርነቦ፡
ነቶም ሰባት ድማ ሰደዶም፡ ከዱውን። [25] ንሱ ኸኣ ኣትዩ ኣብ ቅድሚ ጐይታኡ ደው በለ፡ ኤልሳእ ድማ፡
ገሓዚ፡ ካበይ መጺእካ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ጊልያኻ ኣብ ዝኸድክዎ የብለይን፡ በለ። [26] ንሱ ድማ፡ እቲ
ሰብኣይ ካብ ሰረገላኡ ተመሊሱ ኪቕበለካ ኸሎ፡ ልበይዶ ምሳኻ ኣይከደን፡ ብሩር ክትወስድ፡
ክዳውንትን ኣታኽልቲ ዘይትን ወይንን ኣባጊዕን ኣሓን ተባዕትዮን ኣንስትዮን ባሮት ከኣ ክትወስድሲ
ጊዜኡ ድዩ፧ [27] እምብኣርሲ እቲ ለምጺ ንእማን ንዘለኣለም ኣባኻን ኣብ ዘርእኻን ይልገብ፡ በሎ። ሽዑ
ለምጻም ኰይኑ ኸም በረድ ጻዕድዩ ኻብ ቅድሚኡ ወጸ።

## ምዕራፍ 6

[1] እቶም ደቂ ነብያት ድማ ንኤልሳእ፡ እንሆ፡ እዛ ኣብ ቅድሜካ ኣብኣ እንነብር ዘሎና ቦታ ጸቢባትና እያ።
[2] በጃኻ፡ ክሳዕ ዮርዳኖስ ንኺድ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብኡ ሓሓደ ሰርወ ኣምጺእና ኸኣ፡ ኣብኡ እንነብረላ
ስፍራ ንኣና ንስራሕ፡ በልዎ። ንሱ ድማ፡ ኪዱ፡ በለ። [3] ሓደ ኻባታቶም ከኣ፡ በጃኻ፡ ንስኻውን ፈቲኻ
ምስ ገላዉኻ ኺድ፡ በለ። ንሱ ድማ፡ ሕራይ፡ ኣነ እኸይድ፡ በለ። [4] ምሳታቶም ከኣ ኸደ። ኣብ ዮርዳኖስ
ምስ መጹ ድማ፡ ሰርወ ቈረጹ። [5] ኰነ ኸኣ፡ ሓደ ኻባታቶም ሰርወ ኪቔርጽ ከሎ፡ እቲ ሓጺን ነጺሉ ናብ
ማይ ወደቐ። ሽዑ፡ ኣየ ጐይታይ፡ ንሱ ድማ ናይ ልማኖ እዩ፡ ኢሉ ጨርሔ። [6] እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ
ከኣ፡ ኣበይ ወዲቑ፧ በለ። እታ ቦታ ድማ ኣርኣዮ። ሽዑ ንሱ ዕጨይቲ ቈሪጹ ናብኣ ደርበዮ፡ እቲ ሓጺን
ከኣ ጸብለል በለ። [7] ሽዑ ድማ፡ ውሰዶ፡ በሎ። ኢዱ ዘርጊሑ ኸኣ ወሰዶ። [8] ንጉስ ሶርያ ድማ ምስ
እስራኤል ተዋግኤ። ምስቶም ገላዉኡ ኸኣ፡ ኣብ ቦታ እከለን ኣከለን ክሰፍር እየ፡ ኢሉ ተማኸረ። [9] እቲ
ናይ ኣምላኽ ሰብ ከኣ ንንጉስ እስራኤል፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ሶርያውያን ይወርድዋ ኣለዉ እሞ፡ ብእኣ
ኸይትሐልፍ ተጠንቀቕ፡ ኢሉ ለኣኸሉ። [10] እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ ናብታ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ
ዝነገሮን ዝመዐዶን ቦታ ይሰድድ ነበረ፡ ኣብኣ ኸኣ ሓንሳእ ክልተ ሳዕ ጥራይ ዘይኰነ ንርእሱ ተጠንቀቐ።
[11] ልቢ ንጉስ ሶርያ ድማ በዚ ነገር እዚ ተሸበረ፡ ነቶም ገላውኡ ጸውዑ ኸኣ፡ ካባናስ እቲ ምስ ንጉስ
እስራኤል ዝሓሳቡ መን ምዃኑዶ ኣይትነግሩንን ኢኹም፧ በሎም። [12] ሓደ ኻባታቶም ገላውኡ ኸኣ፡
ጐይታይ ንጉስ፡ ከምኡ ኣይኰነን፡ ግናኸ ኤልሳእ፡ እቲ ኣብ እስራኤል ዘሎ ነብዩ፡ እቲ ኣብታ እትድቅሰላ
ሕልፍኺ እተዛረብካዮ ዘረባ ንጉስ እስራኤል ይነግሮ እዩ፡ በለ። [13] ንሱ ድማ፡ ልኢኽ ኽምጽኦስ፡ ንሱ
ኣበይ ከም ዘሎ ኺዱ ርኣዩ፡ በለ። እንሆ፡ ኣብ ዶታን ኣሎ፡ ኢሎም ከኣ ነገርዎ። [14] ሽዑ ኣፍራስን

ሰረገላታትን ብዙሕ ሰራዊትን ገይሩ ናብኣ ሰደዶ፡ ብለይቲ መጺኦም ድማ ነታ ኸተማ ኸበብዋ። 15 እቲ ጊልያ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣንጊሁ ተንሲኡ ምስ ወጸ ኸኣ፡ እንሆ፡ ሰራዊት ምስ ኣፍራስን ሰረገላታትን ነታ ኸተማ ኸቢብዋ ነበረ። እቲ ጊልያኡ ድማ፡ ኣየ ጐይታይ፡ እንታይ ክንገብር ኢና፧ በሎ። 16 ንሱ ኸኣ፡ ካብቶም ምሳታቶም ዘለዉስ ምሳና ዘለው ይበዝሑ እዮም እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ በለ። 17 ኤልሳእ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ ኪርእስ ኣዒንቱ ኽፈት፡ ኢሉ ጸለየ። እግዚኣብሄር ከኣ ኣዒንቲ እቲ መንእሰይ ከፈተ እሞ ረአየ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ዙርያ ኤልሳእ እቲ ኸረን ናይ ሓዊ ኣፍራስን ሰረገላታትን መሊእዎ ነበረ። 18 ናብኡ ምስ ወረዱ ኸኣ፡ ኤልሳእ፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ብዑረት ውቕዓዮ፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ። ከምቲ ቓል ኤልሳእ ድማ ብዑረት ወቕዖም። 19 ሽዑ ኤልሳእ፡ እታ መገዳስ እዚኣ ኣይኰነትን፡ እታ ኸተማ ኸኣ እዚኣ ኣይኰነትን፡ ናብቲ እትደልይዎ ሰብኣይ ክወስደኩምሲ፡ ደድሕረይ ስዐቡ፡ በሎም። ናብ ሰማርያ ድማ ወሰዶም። 20 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ሰማርያ ምስ ኣተዉ፡ ኤልሳእ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኪርእዮስ ኣዒንቲ እዚኣቶም ክፈት፡ በለ። እግዚኣብሄር ድማ ኣዒንቶም ከፈተሎም እሞ ረአዩ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ማእከል ሰማርያ ነበሩ። 21 እቲ ንጉስ እስራኤል ምስ ረአዮም ከኣ፡ ንኤልሳእ፡ ክቐትሎምዶ፡ ኣቦየ፡ ክቐትሎምዶ፡ በሎ። 22 ንሱ ድማ ኣይትቕተሎም፡ ነቲ ብሴፍካን ብቐስትኻን ዝማረኽካዮምኽ፡ ንስኻ ትቐትሎዶ፧ በሊዖምን ሰትዮምን ናብ ጐይታኦም ኪምለሱስ፡ ኣብ ቅድሚኦም ግዳ እንጌራን ማይን ኣቕርበሎም፡ በለ። 23 ዓብዪ ምሳሕ ከኣ ገበረሎም፡ ምስ በልዑን ምስ ሰተዩን ድማ፡ ኣሰናበቶም፡ ናብ ጐይታኦም ከኣ ኸዱ። ድሕርቲ ኸኣ እቶም ሓደጋ ዚወድቁ ጭፍራ ሶርያ ናብ ምድሪ እስራኤል ኣይተመልሱን። 24 ድሕርቲ ድማ ኾነ፡ ቤንሃዳድ ንጉስ ሶርያ ብዘሎ ሰራዊቱ ኣኽቲቱ ደየበ፡ ንሰማርያ ኸኣ ከበባ። 25 ኣብ ሰማርያ ድማ ብርቱዕ ጥሜት ኰነ። እንሆ ድማ፡ ርእሲ ኣድጊ ብሰማንያ ሲቃል ብሩር፡ ስልዖ ሓርኢ ርግቢ ኸኣ ብሓሙሽተ ሲቃል ብሩር ክሳዕ ዚሸየጥ፡ ኣጽበቡላ። 26 ኰነ ድማ፡ እቲ ንጉስ እስራኤል ኣብ ልዕሊ መካበብያ ኺመላለስ ከሎ፡ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ጐይታይ ንጉስ፡ ኣድሕነኒ፡ ኢላ ጨርሓትሉ። 27 ንሱ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ዘይረድኣክስ፡ ካብ ምንታይ ክረድኣኪ ካብ ዓውዲዶ ወይ ካብ መጽሙቕ ወይኒ፧ በለ። 28 እቲ ንጉስ ድማ፡ እንታይ ኴንኪ ኢኺ፧ በላ። ንሳ ኸኣ፡ እዛ ሰበይቲ እዚኣ፡ ወድኺ ሀቢ፡ ሎሚ ኽንበልዖ፡ ንወደይ ድማ ጽባሕ ክንበልዖ፡ በልከዋ። ንሳ ኸኣ፡ እዛ ሰበይቲ እዚኣ፡ ወድኺ ሀቢ፡ ሎሚ ኽንበልዖ፡ ንወድይ ድማ ጽባሕ ክንበልዖ፡ በለትኒ። 29 ሽዑ ነቲ ወደይ ኣብሲልና ባላዕናዮ፡ ንጽብሒቱ ኸኣ፡ ወድኺ ሀቢ፡ ክንበልዖ፡ በልክዋ። ንሳ ግና ነቲ ወዳ ሐብኣቶ፡ በለት። 30 ኰነ ድማ፡ እቲ ንጉስ ዘረባ እታ ሰበይቲ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ። ኣብ ልዕሊ እቲ መካበብያ ኺመላለስ ከሎ ኸኣ፡ እንሆ፡ ብውሽጢ ኣብ ልዕሊ ስጋኡ ማቕ ከም ዘለዎ እቲ ህዝቢ ረአየ። 31 ንሱ ድማ፡ ርእሲ ኤልሳእ ወዲ ሻፋጥ ሎሚ ኣብ ልዕሊኡ እንተ ቈይማስ፡ ኣምላኽ ከምዚ ይግበረኒ፡ ከምዚውን ይወስኸኒ፡ በለ። 32 ኤልሳእ ግና ኣብ ቤቱ ተቐሚጡ ነበረ፡ እቶም ዓበይቲውን ምስኡ ተቐሚጦም ነበሩ። እቲ ንጉስ ከኣ ቀቅድሚኡ ሓደ ሰብ ለኣኸ። እቲ ልኡኽ ገና ናብኡ ኸይመጸ ኸሎ፡ ንሱ ነቶም ዓበይቲ፡ እዚ ወዲ ቐታል ነፍስስ ርእሰይ ኪቈርጽ ከም ዝለኣኸዶ ትርእዩ ኣሎኹም እቲ ልኡኽ ኪመጽእ ከሎ፡ ርኢኹም ነቲ ማዕጾ ሽጐርዎ እሞ ብማዕጾ ድፍእዎ፡ ድሕሪኡኸ ደሃይ እግሪ ጐይታኡዶ ኣይስማዕን፧ በሎም። 33 ገና ምሳታቶም ኪዛረብ ከሎ፡ እንሆ ድማ፡ እቲ ልኡኽ ናብኡ ወሪዱ፡ እንሆ፡ እዚ እከይ ካብ እግዚኣብሄር መጸ፡ ደጊምከ ንእግዚኣብሄር እንታይ ክጽበዮ እየ፧ በለ።

# ምዕራፍ 7

1 ኤልሳእ ድማ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ በለ። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ
እዚኣ ኣብ ደገ ሰማርያ ሓደ መስፈሪ ድኹም ሓርጭ ብሲቓል፡ ክልተ መስፈሪ ስገም ከኣ ብሲቓል
ኺሽመት እዩ። 2 እቲ ንጉስ ኣብ ኢዱ ዚጋዝገሎ ዝነበረ ሓለቓ ድማ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ እንሆ፡
እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይ መሳኹቲ እንተ ዚገብርሲ፡ እዚ ነገር እዚ ይኸውንዶ፧ ኢሉ መለሰሉ። ንሱ
ኸኣ፡ በዒንትኻ ኽትርእዮ ኢኻ፡ ግናኸ ኻብኡ ኣይክትበልዕን ኢኻ፡ በለ። 3 ኣብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ
ድማ ኣርባዕተ ሰብ ለምጺ ነበሩ። ንሓድሕዶም ከኣ፡ ስለምንታይ ኢና ኽሳዕ እንመውት ኣብዚ ኾፍ
እንብል፧ 4 ናብ ከተማ ንእቶ እንተ በልና፡ ኣብ ከተማ ጥሜት ኣሎ እሞ፡ ኣብኡ ኽንመውት ኢና፡ ኣብዚ
እንተ ተቐመጥናውን ክንመውት ኢና፡ ሕጂ ኸኣ ንኺድ፡ ናብ ሰፈር ሶርያውያን ንሰደድ፡ ብህይወት እንተ
ሐደጉና፡ ብህይወት ንነብር፡ እንተ ቐተሉና ኸኣ፡ ንመውት፡ ተባሃሀሉ። 5 ጽልግልግ ምስ ኰነ ድማ፡ ናብ
ሰፈር ሶርያውያን ኪኸዱ ተንስኡ። ኣብ ወሰን ሰፈር ሶርያውያን ምስ በጽሑ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣብኡ ሰብ
ኣይነበረን። 6 ኣምላኽ ድማ ኣብቲ ሰፈር ሶርያውያን ደሃይ ሰረገላታት ደሃይ ኣፍራስን ደሃይ ብዙሕ
ሰራዊትን ኣስሚዕዎም ነበረ እሞ፡ ንሓድሕዶም፡ እንሆ፡ ንጉስ እስራኤል ንነገስታት ሔታውያንን ነገስታት
ግብጻውያንን ተኻርዩ ኣባና ኣምጺእዎም እዩ፡ ተባሃሀሉ። 7 ጽልግልግ ምስ ኰነ ድማ፡ ተንሲኦም፡
ሀደሙ። ድንኳውንቶምን ኣፍራሶምን ኣእዱጎምን እቲ ሰፈሮም ከም ዘሎ ሓዲጎምዎ ነፍሶም ኬድሕኑ
ሀደሙ። 8 እቶም ለምጻማት እቲኣቶም ናብ ወሰን እቲ ሰፈር ምስ በጽሑ ኸኣ፡ ናብ ሓደ ድንኳን ኣትዮም
በልዑን ሰተዩን፡ ካብኡ ድማ ብሩርን ወርቅን ክዳውንትን ወሰዱ፡ ከይዶም ከኣ ሐብእዎ። ተመሊሶም
ድማ ናብ ካልእ ድንኳን ኣተዉ፡ ካብኡ ኸኣ ወሰዱ፡ ከይዶምውን ሐብእዎ። 9 ሽዑ ንሓድሕዶም እዚ
ንሕና እንገብሮ ዘሎና ቕኑዕ ኣይኰነን፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ፡ ንሳ መዓልቲ ብስራት እያ፡ ንሕና ኸኣ ስቕ
ኢልና ኣሎና፡ ንግሆ ኽሳዕ ዚበርህ እንተ ጸናሕና ድማ፡ በደል ኪኾነና እዩ። ሕጂ ኸኣ ንኺድ እሞ ኣብ
ቤት ንጉስ ኣቲና ንንገር፡ ተባሃሀሉ። 10 መጺኦም ድማ ንዘብዔኛ ደገ እታ ኸተማ ጸዊዖም፡ ናብ ሰፈር
ሶርያውያን ኬድና ኔርና፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብኡ እሱራት ኣፍራስን እሱራት ኣእዱግን ድንኳውንቲውን ከም
ዘለዎ እምበር፡ ሰብ ኰነ፡ ድምጺ ሰብ ኰነ የልቦን፡ ኢሎም ነገሩ። 11 እቶም ዘብዓኛታት ከኣ ጸዊዖም ኣብ
ውሽጢ ቤት ንጉስ ነገሩ። 12 እቲ ንጉስ ብለይቲ ተንሲኡ ድማ ንገላዉኡ፡ እቶም ሶርያውያን ዝገበሩና
እሞ ክነግረኩም፡ ንሕና ጥሙያት ከም ዝኾንና ፈሊጦም ኣለዉ እሞ ካብ ከተማ ምስ ወጹ፡
ብህይወቶም ንሕዞም፡ ናብ ከተማ ኸኣ ንእቱ፡ ኢሎም ካብ ሰፈር ወጺኦም ኣብ መሮር ተሐቢኦም
ኣለዉ፡ በሎም። 13 ሓደ ኻብ ገላዉኡ ድማ፡ ካብቶም ኣብ ከተማ ተሪፎም ዘለዉ ኣፍራስ፡ በጃኻ፡
ሓሙሽተ ይውሰዱ፡ እንሆ፡ ከም ብዘሎ ብዝሒ እቲ ተሪፉ ዘሎ እስራኤል እዮም፡ እንሆ፡ ከም ብዘሎ
ብዝሒ እቲ እተወድኤ እስራኤል እዮም እሞ፡ ኪስልዩ ንስደዶም፡ ኢሉ መለሰ። 14 ሽዑ ኽልተ ሰረገላ
ምስ ኣፍራስ ወሰዱ፡ እቲ ንጉስ ድማ፡ ኪዱ እሞ ርአዩ፡ ኢሉ ደድሕሪ ሰራዊት ሶርያውያን ሰደዶም። 15
ክሳዕ ዮርዳኖስ ድማ ደድሕሪኦም ከዱ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኲሉ መገዲ እቶም ሶርያውያን ብምህዋኾም
ዝደርበይዎ ኽዳውንትን ኣቓሑን መሊኡ ነበረ። እቶም ልኡኻት ድማ ተመሊሶም ንንጉስ ነገርዎ። 16
ሽዑ እቲ ህዝቢ ወጺኡ ነቲ ሰፈር ሶርያውያን ገፈፎ። ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ድማ ኾነ፡ ሓደ መስፈሪ
ድኹም ሓርጭ ብሲቓል፡ ክልተ መስፈሪ ስገም ከኣ ብሲቓል ተሸመተ። 17 እቲ ንጉስ ድማ ነቲ ኣብ ኢዱ
ዚጋዝገሎ ዝነበረ ሓለቓ ነቲ ደገ ኺሕሉ ኣቘሞ። ግናኸ ከምቲ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንጉስ ናብኡ ምስ
ወረደ እተዛረቦ ቓል፡ እቶም ህዝቢ ኣብቲ ደገ ረገጽዎ፡ ሞተ ኸኣ። 18 ከምቲ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ
ንንጉስ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ኣብ ደገ ሰማርያ ኽልተ መስፈሪ ስገም ብሲቓል፡ ሓደ መስፈሪ ድኹም
ሓርጭ ድማ ብሲቓል ኪሸመት እዩ፡ ኢሉ እተዛረቦ ኸኣ ኾነ። 19 እቲ ሓለቓ ድማ ነቲ ናይ ኣምላኽ

ሰብ፡ እንሆ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይ መስኰት እንተ ኸፈተ እኳ፡ ከምዚ ነገር እዚ ዝበለዶ
ይኸውን ኢሉ፡ መሊሱ ነበረ። ንሱውን፡ እንሆ፡ በዒንትኻስ ክትርእዮ ኢኻ፡ ካብኡ ግና ኣይትበልዕን፡
ኢሉ ነበረ። 20 ከምኡ ድማ ኾነ፡ እቶም ህዝቢ ኣብቲ ደገ ረገጽዎ፡ ሞተ ኸኣ።

# ምዕራፍ 8

1 ኤልሳእ ድማ ነታ ወዳ ዘተንስኣላ ሰበይቲ፡ እግዚኣብሄር ናብዛ ሃገር፡ ድሮ እኳ ጀሚሩ ዘሎ፡ ሾብዓተ
ዓመት ጥሜት ኪመጽእ ጸዊዑ እዩ እሞ፡ ንስኽን ቤትክን ናብ እትስደድዎ ተሰደዱ፡ ኢሉ ተዛረባ። 2 እታ
ሰበይቲ ኸኣ ተንሲኣ ኸም ዘረባ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ገበረት፡ ንሳን ቤታን ድማ ከይዶም ኣብ ምድሪ
ፍልስጥኤማውያን ብስደት ሾብዓተ ዓመት ተቐመጡ። 3 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ መወዳእታ እተን ሾብዓተ ዓመት
እታ ሰበይቲ ኻብ ምድሪ ፍልስጥኤማውያን ተመልሰት፡ ብናይ ቤታን ብናይ ግራታን ክትጠርዕ ድማ
ናብ ንጉስ ከደት። 4 እቲ ንጉስ ከኣ ንገሓዚ፡ ጊልያ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ በጃኻ፡ እቲ ኤልሳእ ዝገበሮ
ኹሉ ዓብዪ ነገር ንገረኒ፡ ኢሉ ይዛረቦ ነበረ። 5 ኰነ ድማ፡ ምዉት ከም ዘተንስኤ፡ ንሱ ንንጉስ ኪነግሮ
ኸሎ፡ እንሃ ኸኣ፡ እታ ወዳ ዘተንስኣላ ሰበይቲ ብናይ ቤታን ብናይ ግራታን ኣብ ንጉስ ጠርዔት። ሽዑ
ገሓዚ፡ ጐይታይ ንጉስ፡ እዛ ሰበይቲ እዚኣ እያ፡ እቲ ኤልሳእ ዘተንስኦ ወዳውን እዚ እዩ፡ በለ። 6 እቲ ንጉስ
ድማ ነታ ሰበይቲ ሓተታ፡ ንሳ ኸኣ ነገረቶ። እቲ ንጉስ ድማ ሓደ ስሉብ ሀባ እሞ፡ ዝነበራ ዘበለ ኲሉን
ነታ ምድሪ ኻብ እትሓድጋ መዓልቲ ጀሚሩ ኸሳዕ ሕጂ እቶት እቲ ግራትን ኣምልሰላ፡ በሎ፡ 7 ኤልሳእ
ድማ ናብ ደማስቆ መጸ። ቤንሃዳድ ንጉስ ሶርያ ኸኣ ሓሚሙ ነበረ፡ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ናብዚ መጺኡ
ኣሎ፡ ኢሎም ነገርዎ። 8 ሽዑ እቲ ንጉስ ንሓዛኤል በሎ፡ ገጸ በረኸት ኣብ ኢድ ሒዝካ ነቲ ናይ ኣምላኽ
ሰብ ክትቃባበሎ ኺድ እሞ፡ ካብዚ ሕማም እዚ ደኺን ክሐዊ እዩ፤ ኢልካ ብእኡ ጌርካ ንእግዚኣብሄር
ሕተቶ በሎ። 9 ሓዛኤል ድማ ኪቃባበሎ ኸደ፡ ኣብ ኢዱ ኸኣ ገጸ በረኸት ናይ ደማስቆ በብሉጹ ዘበለ
ኣርብዓ ጽዕነት ገመል ዚኣክል ሒዙ መጸ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢሉ ድማ፡ ወድኻ ቤንሃዳድ ንጉስ ሶርያ፡
ካብዚ ሕማም እዚዶ ኽሐዊ እየ፤ ኢሉ ናባኻ ልኢኹኒ፡ በለ። 10 ኤልሳእ ከኣ በሎ፡ ኪድ እሞ፡ ምሕዋይሲ
ኽትሐዊ ኢኻ፡ በሎ። ግናኸ ብርግጽ ከም ዚመውት፡ እግዚኣብሄር ኣርእዩኒ እዩ። 11 እቲ ናይ ኣምላኽ
ሰብ ድማ ክሳዕ ዚሐንኽ ተኲሩ ጠመቶ፡ በኸየ ኸኣ። 12 ሓዛኤል ከኣ፡ ጐይታይ ስለምንታይ እዩ ዚበኪ
ዘሎ፤ በለ። ንሱ ድማ፡ እቲ ንደቂ እስራኤል እትገብሮ ኽፉእ ስለ ዝፈለጥኩ። ዕርድታቶም ብሓዊ
ኽትትኩስ፡ ነኣባዞም ከኣ ብሴፍ ክትቀትል፡ ንሕጻናቶም ድማ ክትጭፍልቕ፡ ንጥኑሳቶምውን ኣኽብደን
ክትቀድድ ኢኻ፡ በሎ። 13 ሓዛኤል ከኣ፡ እዚ ዓብዪ ነገር እዚ ዝገብርሲ፡ ኣነ ባርያኻ፡ ሓደ ኸልቢ፡
እንታይ እየ፤ በለ። ኤልሳእ ድማ፡ ንስኻ ንጉስ ሶርያ ኸም እትኸውን፡ እግዚኣብሄር ኣርእዩኒ እዩ፡ በለ። 14
ካብ ኤልሳእ ከኣ ከደ፡ ናብ ጐይታኡ ድማ መጸ። ንሱ ኸኣ፡ ኤልሳእ እንታይ ኢሉካ፤ በሎ። ንሱ ድማ፡
ብርግጽ ክትሐዊ ኢኻ፡ በለኒ። 15 ኰነ ኸኣ፡ ንጽብሒቱ ማቕ ወሲዱ፡ ኣብ ማይ ኣሊኹ፡ ኣብ ገጹ ገበረሉ፡
ሞተ ኸኣ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ሓዛኤል ነገሰ። 16 ንዮራም፡ ንጉስ እስራኤል ወዲ ኣክኣብ፡ ኣብ ሓምሰይቲ
ዓመቱ ድማ፡ ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ ነጊሱ ኸሎ፡ ዮራም፡ ወዲ ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ፡ ነገሰ። 17 ንሱ ኺነግስ
ከሎ፡ ወዲ ሰላሳን ክልተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሾሞንተ ዓመት ገዝኤ። 18 ግናኸ ጓል ኣክኣብ
ሰበይቱ ነበረት እሞ፡ ከምቲ ቤት ኣክኣብ ዝገበረቶ፡ ብመገዲ ነገስታት እስራኤል ከዱ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ድማ ክፉእ ዘበለ ገበረ። 19 እግዚኣብሄር ግና፡ ከምቲ ንእኡን ንደቁን ንሓዋሩ መብራህቲ
ኺህቦም ዘተስፈዎ፡ ስለ ዳዊት ባርያኡ ኢሉ፡ ንይሁዳ ኼጥፍኦ ኣይፈተወን። 20 ብዘመኑ ኤዶም ካብ

ትሕቲ ኢድ ይሁዳ ዐለወ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ንጉስ ኣንገሱ። 21 ሽዑ ዮራም፡ ኲሉ ሰረገላታቱ ሒዙ
ምስኡ፡ ናብ ጻኢር ሓለፈ። ብለይቲ ተንሲኡ ድማ፡ ነቶም ከቢቦምዎ ዝነበሩ ኤዶማውያንን ነቶም ሓላቑ
ሰረገላታትን ሰዐሮም፡ እቲ ህዝቢ ኸኣ ናናብ ድንኳኑ ሀደመ። 22 ኤዶም ከኣ ክሳዕ ሎሚ ኻብ ትሕቲ ኢድ
ይሁዳ ዐለወ። ሊብናውን በቲ ጊዜ እቲ ዐለወት። 23 እቲ ዝተረፈ ናይ ዮራም ነገርን እቲ ኹሉ ዝገበሮን፡
ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 24 ዮራም ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡
ምስ ኣቦታቱ ኸኣ ኣብ ከተማ ዳዊት ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ኣሓዝያ ነገሰ። 25 ንዮራም ንጉስ
እስራኤል፡ ወዲ ኣክኣብ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመቱ ኣሓዝያ ወዲ ዮራም፡ ንጉስ ይሁዳ፡ ነገሰ።
26 ኣሓዝያ ኺነግስ ከሎ ወዲ ዕስራን ክልተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሓንቲ ዓመት ገዝኤ። ስም
ኣዲኡ ድማ ዓታልያ እዩ፡ ንሳ ጓል ዖምሪ ንጉስ እስራኤል እያ። 27 ንሱ ምስ ቤት ኣክኣብ ሕምነት ነበሮ
እሞ፡ ብመገዲ ቤት ኣክኣብ ከደ። ከም ቤት ኣክኣብ ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 28 ምስ
ዮራም ወዲ ኣክኣብ ኰይኑ ድማ ንሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ኣብ ራሞትጊልዓድ ኪዋግኦ ኸደ። እቶም
ሶርያውያን ግና ንዮራም ወግእዎ። 29 ንጉስ ዮራም ከኣ እቲ ምስ ሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ኺዋጋእ ከሎ፡
ሶርያውያን ኣብ ራማ ዝወግእዎ ቍስሊ ኣብ ይዝርኤል ኪፍወስ ተመልሰ። ኣሓዝያ፡ ንጉስ ይሁዳ ወዲ
ዮራም፡ ድማ ንዮራም ወዲ ኣክኣብ፡ ንሱ ሐሚሙ ነበረ እሞ፡ ኪርእዮ ናብ ይዝርኤል ወረደ።

# ምዕራፍ 9

1 ነብዩ ኤልሳእ ድማ ንሓደ ኻብቶም ደቂ ነብያት ጸዊዑ በሎ፡ ሕቝኻ ተዐጠቕ እሞ እዚ ናይ ዘይቲ ቐርኒ
ኣብ ኢድካ ሒዝካ ናብ ራሞትጊልዓድ ኪድ። 2 ኣብኡ ምስ መጻእካ ኸኣ፡ ንየሁ ወዲ ዮሳፋጥ፡ ወዲ
ነምሺ፡ ኣብኡ ድለዮ፡ ኣቲኻ ድማ ካብ ማእከል ኣሕዋቱ ኣተንሲእካ ንእኡ ናብ ውሽጢ ሕልፍኺ
ኣእትዎ። 3 ሽዑ ነቲ ቐርኒ ዘይቲ ውሰድ፡ ኣብ ልዕሊ ርእሱ ኣፍሲስካ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ኣብ እስራኤል ክትነግስ ቀቢኤካ እየ፡ ድማ በሎ። ሽዑ ማዕጾ ኸፊትካ ህደም፡ ኣይትደንጕ። 4 እቲ
መንእሰይ፡ ጊልያ እቲ ነብዩ፡ ከኣ ናብ ራሞትጊልዓድ ከደ። 5 ምስ ኣተወ ድማ፡ እንሆ፡ እቶም ሓላቑ እቲ
ሰራዊት ኮፍ ኢሎም ነበሩ። ንሱ ኸኣ፡ ኣታ ሓለቓ፡ ምሳኻ ጒዳይ ኣሎኒ፡ በለ። የሁ ድማ፡ ካብ ኲልናስ
ምስ መን እዩ፧ በለ። ንሱ ኸኣ፡ ኣታ ሓለቓ፡ ምሳኻ፡ በለ። 6 ተንሲኡ ድማ ናብ ቤት ኣተወ፡ ዘይቲ ኣብ
ርእሱ ኣፍሲሱ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ህዝቢ እግዚኣብሄር፡ ኣብ
እስራኤል ክትነግስ ቀቢኤካ ኣሎኹ። 7 ኣነ ኸኣ ደም ባሮተይ ነብያትን ደም ኲሎም ባሮት እግዚኣብሄርን
ካብ ኢድ ኢዛቤል ሕነ ኽፈድስ፡ ንቤት ጐይታኻ ኣክኣብ ከተጽንታ ኢኻ። 8 ብዘላ ቤት ኣክኣብ ክትበርስ
እያ፡ ኣብ እስራኤል ድማ እሱር ኰነ ዘይእሱር፡ ኣብ መንደቕ ተጻጊዑ ዚሸይን ዘበለ፡ ካብ ኣክኣብ ከጽንት
እየ። 9 ንቤት ኣክኣብ ከኣ ከም ቤት የሮብዓም ወዲ ናባጥን ከም ቤት ባዕሻ ወዲ ኣሒያን ክገብራ እየ። 10
ንኢዛቤል ድማ ኣብ ቃድራ ይዝርኤል ኣኽላባት ኪበልዕዋ እዮም፡ ዚቐብራ ከኣ የልቦን፡ በለ። ማዕጾ
ኸፊቱ ድማ ሀደመ። 11 የሁ ናብቶም ገላዉ ጐይታኡ ምስ ወጸ ኸኣ፡ ደሓን ድዩ፧ እዚ ዕቡድ እዚ እንታይ
ደልዩ እዩ መጺኡካ ዝነበረ፧ በልዎ። ንሱ ድማ፡ ነዚ ሰብኣይ እዝን ነቲ ዘረባኡን ንስኻትኩም ትፈልጥዎ
ኢኹም፡ በሎም። 12 ንሳቶም ግና፡ ሓሶት እዩ፡ ንስኻ ግዳ ንገረና፡ በልዎ። ንሱ ኸኣ በለ፡ ከምዝን ከምዝን
ተዛረበኒ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ እስራኤል ክትነግስ ቀቢኤካ ኣሎኹ፡ በለኒ። 13 ሽዑ
ተቓላጢፎም ነፍሲ ወከፍ ከክዳኖም ወሲዶም ኣብ ትሕቲኡ ኣብቲ መደያይቦ ኣንጸፉ፡ መለኸት ነፊሖም
ድማ፡ የሁ ነገሰ፡ በሉ። 14 የሁ፡ ወዲ ዮሳፋጥ ወዲ ኒምሺ፡ ከኣ ንዮራም ተማሓሓለሉ። ብምኽንያት

ሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ድማ ዮራም፡ ንሱን ብዘሎ እስራኤልን ኣብ ራሞትጊልዓድ ኰይኖም ይሕልዉ
ነበሩ። [15] ንጉስ ዮራም ግና እቲ ምስ ሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ኺዋጋእ ከሎ፡ ሶርያውያን ዝወግእዎ ቍስሊ
ኣብ ይዝርኤል ኪፍወስ ተመሊሱ ነበረ፡ የሁ ኸኣ። ፍቓድኩም እንተ ኾይኑስ። ከይዱ ኣብ ይዝርኤል
ከይነግር ካብዛ ኸተማ ሓደ እኳ ሀዲሙ ኣይውጻእ። በለ፡ [16] ዮራም ኣብኡ ደቂሱ ነበረ እሞ። የሁ ኣብ
ሰረገላ ደዪቡ ናብ ይዝርኤል ከደ፡ ኣሓዝያ ንጉስ ይሁዳ ድማ ንዮራም ኪርኢ ወሪዱ ነበረ። [17] እቲ ኣብ
ግምቢ ይዝርኤል ደው ኢሉ ዝነበረ ዘብዔኛ ኸኣ ጭፍራ የሁ ኪመጽእ ርእዩ፡ ኣነ ጭፍራ እርኢ
ኣሎኹ። በሎ። ዮራም ድማ፡ ሓደ ፈረሰኛ ውሰድ እሞ። ደሓንዶ ኢኹም። ኢሉ ኺቃባበሎ ስደዶ፡ በለ፡
[18] ሓደ ኸኣ ፈረስ ተወጢሑ ኺቃባበሎ ኸይዱ። ንጉስ። ደሓንዶ ኢኹም፧ ይብል ኣሎ። በለ። የሁ ኸኣ።
ናይ ደሓን እንታይ ገዲሱካ፧ ንድሕረይ ግዳ ሕለፍ፡ በለ። እቲ ዘብዔኛ ድማ። እቲ ልኡኽ ክሳዕ ናብኦም
በጺሑ፡ ግናኸ ኣይተመልሰን። ኢሉ ነበረ፡ [19] ሽዑ ኻልኣይ ፈድረሰኛ ሰደደ። ንሱ ድማ ናብኦም መጺኡ፡
ንጉስ፡ ደሓንዶ ኢኹም፧ ይብል ኣሎ፡ በለ። የሁ ኸኣ፡ ናይ ደሓን እንታይ ገዲሱካ፡ ንድሕረይ ግዳ ሕለፍ፡
በለ። [20] እቲ ዘብዔኛ ድማ፡ ክሳዕ ናብኦም በጽሔ፡ ግናኸ ኣይተመልሰን። ከም ዕቡድ ይኸይድ ኣሎ እሞ፡
እቲ ኣኻይዳኡስ ከም ኣኻይዳ የሁ ወዲ ኒምሺ እዩ፡ ኢሉ ነገረ፡ [21] ሽዑ ዮራም፡ ጽዐኑ፡ በለ፡ ሰረገላ ድማ
ጸዐኑሉ። ዮራም ንግስ እስራኤል ኣሓዝያ ንጉስ ይሁዳን ከኣ ነፍሲ ወከፍ ናብ ሰረገላኡ ደየበ፡ ንየሁ
ኺቃባበልዎ ድማ ወጹ፡ ኣብ ግራት ናቦት ይዝርኤላዊ ኸኣ ረኸብዎ። [22] ኰነ ድማ፡ ዮራም ንየሁ ምስ
ረአዮ፡ የሁ፡ ደሓን ዲኻ፧ በለ። ንሱ ኸኣ፡ እቲ ናይ ኣዴኻ ኢዛቤል ምንዝርናን እቲ ብዙሕ ኣስማታን
ክሳዕ ዘሎ፡ እንታይ ደሓኑ እዩ፧ በለ። [23] ዮራም ድማ ኢዱ መሊሱ ሀደመ፡ ንኣሓዝያ ኸኣ፡ ኣታ ኣሓዝያ።
ጠቢሩና እዩ፡ በሎ። [24] የሁ ግና ቀስቱ ብኢዱ ገቲሩ ንዮራም ኣብ መንጎ መናኲቡ ወግኦ። እቲ ፍላጻ
ድማ ብልቡ ወጸ። ኣብቲ ሰረገላኡ ኸኣ ተቖልዐጸ። [25] የሁ ንቢድቃር ሓላቓኡ፡ ኣልዒልካ ኣብ ክፍሊ
ግራት ናቦት ይዝርኤላዊ ደርብዮ፡ እቲ ኣነን ንስኻን ተወጢሕና ደድሕሪ ኣቦኡ ኣከኣብ ክንስዕብ ከሎና፡
እቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ኸምዚ ዝበለ ነገር ዘንበረሉ ዘክር፡ [26] ነቲ ደም ናቦትን ደም ደቁን ብርግጽ
ትማሊ ርእየዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኣነውን ኣብዛ ግራት እዚኣ ኽፈድየካ እየ፡ ይብል እግዚብሄር
ወሲድካስ ኣብታ ግራት ደርብዮ፡ በሎ። [27] ኣሓዝያ ንጉስ ይሁዳ ድማ እዚ ምስ ረአየ፡ ብመገዲ ቤት
ኣታኽልቲ ኣቢሉ ሀደመ። የሁ ግና ደድሕሪኡ ስዒቡ፡ ንእኡውን ኣብ ሰረገላ ኸሎ ውግእዎ፡ በሎም።
ኣብታ ጥቓ ዪብለዓም ዘላ ዓቐበት ጉር ከኣ ወግእዎ። ናብ መጊዶ ሀዲሙ ድማ ኣብኡ ሞተ። [28] እቶም
ገላዉኡ ኸኣ ኣብ ሰረገላ ገይሮም ናብ የሩሳሌም ወሰድዎ፡ ምስ ኣቦታቱ ድማ ኣብ ከተማ ዳዊት ኣብ
መቓብሩ ቐበርዎ። [29] ኣሓዝያ ኸኣ ንዮራም ወዲ ኣከኣብ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመቱ ኣብ ልዕሊ
ይሁዳ ነገሰ። [30] ኢዛቤል ድማ የሁ ናብ ይዝርኤል ከም ዝመጸ ምስ ሰምዔት፡ ኣዒንታ ተኹሒላ፡ ርእሳ
ኸኣ ተሰሪሓ ብመስኰት ኰይና ትጥምት ነበረት። [31] የሁ ብደገ ምስ ኣተወ ድማ፡ ኣታ ዚምሪ ቐታል
ጐይታኡ፡ ደሓን ዲኻ፧ በለቶ። [32] ንሱ ኸኣ ገጹ ናብ መስኰት ኣንቃዕሪሩ፡ ምሳይ መን ኣሎ፧ መን፧ በለ።
ሽዑ ኽልተ ሰለስተ ስሉባት ናብኡ ኣቢሎም ግልጽ በሉ። [33] ንሱ ድማ፡ ኣጽድፍዋ፡ በለ። ኣጽደፍዋ እሞ፡
ካብቲ ደማ ናብ መንደቕን ናብ ኣፍራስን ተነጽገ። ረጊጽዋ ኸኣ ሐለፈ። [34] ምስ ኣተወ ድማ፡ በሊዑን
ሰትዩን። በጃኹም፡ ነዛ ርግምቲ እዚኣ ርኣይዋ፡ ንሳ ጓል ንጉስ እያ እሞ፡ ቅበርዋ፡ በለ። [35] ኪቕብርዋ ከኣ
ኸዱ፡ ግናኸ ብጆካ ቕረንትቀራን ኣእጋርን ግናዕ ኣእዳዋን ገለ እኳ ኣይረኸቡላን፡ [36-37] ተመሊስም ድማ
ነገርዎ። ንሱ ኸኣ፡ እዚ እቲ ብባርያኡ ኤልያስ ቲስቢታዊ፡ ንስጋ ኢዛቤል ኣብ ግራት ይዝርኤል ኣኽላባት
ኪበልዕዎ እዮም፡ ሬሳ ኢዛቤል ድማ፡ እዚኣስ ኢዛቤል እያ፡ ዚብል ክሳዕ ዘይርከብ፡ ኣብ ልዕሊ ግራት
ይዝርኤል ከም ድኹዒ ኪኸውን እዩ፡ ኢሉ እተዛረቦ ቓል እግዚኣብሄር እዩ፡ በለ።

# ምዕራፍ 10

1 ኣከኣብ ከኣ ኣብ ሰማርያ ሰብዓ ኣወዳት ነበርዎ። የሁ ድማ ናብ ሰማርያ፡ ናብ ሓላቒ ይዝርኤል፡
ናብቶም ዓበይትን ናብቶም መዕበይቲ ደቂ ኣከኣብን ከምዚ ዚብል ደብዳበ ጽሒፉ ሰደደ፡ 2 ሕጂ ኸኣ እዛ
ደብዳበ እዚኣ ምስ በጽሓትኩም፡ ደቂ ጐይታኹም ምሳኻትኩም ከለዉ ሰረገላታትን ኣፍራስን እተዐርደ
ኸተማን ኣጽዋርን ድማ ምሳኻትኩም ከሎስ፡ 3 ካብቶም ደቂ ጐይታኹም እቲ ዝጸበቐን ዝሔሸን
ርኢኹም ኣብ ዝፋን ኣቦኡ ኣቐምጥዎ እሞ ስለ ቤት ጐይታኹም ተዋግኡ። 4 ንሳቶም ግና እምብዛ
ተሸበሩ እሞ፡ እንሆ፡ ክልተ ነገስታት እኳ ኣብ ቅድሚኡ ዘይቈሙስ፡ ንሕና ግዳ ኸመይ ጌርና ንቘውም፧
በሉ፡ 5 እቲ ኣዛዝ ቤትን እቲ ኣዛዝ እታ ኸተማን እቶም ዓበይትን እቶም መዕበይቲ ደቅን ናብ የሁ፡ ንሕና
ገላዉኻ ኢና፡ ዝበልካና ዘበለ ኹሉ ንገብር፡ ባህ ዜብለካ ደኣ ግበር እምበር፡ ንሓደ እኳ ኣይነንግስን
ኢና፡ ኢሎም ለኣኹ። 6 ሽዑ ኻልእ ሳዕ፡ ንስኻትኩም ምሳይ እንተ ዄንኩም፡ ቃለይ ድማ እንተ
ሰሚዕኩምሲ፡ ኣርእስ እቶም ሰባት ደቂ ጐይታኹም ውሰዱ እሞ፡ ጽባሕ ከምዛ ጊዜ እዚኣ ናብ
ይዝርኤል ናባይ ምጹ፡ ኢሉ ደብዳበ ጻሐፈሎም። እቶም ደቂ ንጉስ ድማ ሰብዓ ሰብ ምስቶም
ዜዕብይዎም ዓበይቲ እታ ኸተማ እዮም ዝነበሩ። 7 ኰነ ኸኣ፡ እታ ደብዳበ ምስ በጽሓቶም፡ ነቶም ደቂ
ንጉስ፡ ሰብዓ ሰብ። ሒዞም ሐረድዎም። ነቲ ኣራእሶም ድማ ኣብ ከፈራት ገይሮም ናብ ይዝርኤል ናብኡ
ሰደድዎ። 8 ልኡኽ መጺኡ ኸኣ፡ ኣራእስ እቶም ደቂ ንጉስ ኣምጺኦምዎ፡ ኢሉ ነገሮ። ንሱ ድማ፡ ክሳዕ
ጽባሕ ኣብቲ ኣፍ ደገ ኣብ ክልተ ኹምራ ግበርዎ፡ በለ። 9 ኰነ ኸኣ፡ ንጽብሒቱ ወጺ፡ ደው ኢሉ ድማ
ነቲ ኹሉ ህዝቢ። ንስኻትኩምሲ ጻድቃን ኢኹም። እንሆ። ንጐይታይ እተማሓሐልኩሉን ዝቐተልክዎን
ኣነ እየ። ነዚኣቶም ኲሎምከ መን ቀተሎምም፧ 10 እምብኣርሲ ኻብቲ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ቤት
ኣከኣብ እተዛረቦ ቓል እግዚኣብሄር ገለ እኳ ኣብ ምድሪ ኸም ዘይወድቕ ፍለጡ፡ እቲ እግዚኣብሄር ነቲ
ብባርያኡ ኤልያስ እተዛረቦ ገበሮ፡ በለ። 11 የሁ ኸኣ ኣብ ይዝርኤል ካብ ቤት ኣከኣብ ተሪፎም ንዝነበሩ
ኹሎምን ንብዘለዉ ዓበይቱን ኣመንቱን ካህናቱን ድማ፡ ሓደ እኳ ኸየትረፈ ቐተሎም። 12 ድሕርዚ ኸኣ
ተንሲኡ ኸደ፡ ናብ ሰማርያ ድማ መጸ፡ ኣብታ ኣብ መገዲ ዘላ ቤት መኣከቢ ጓሶት ምስ በጽሔ፡ 13 የሁ
ነሕዋት ኣሓዝያ ንጉስ ይሁዳ ረኸቦም እሞ፡ ንስኻትኩም እንመን ኢኹም፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ንሕና
ኣሕዋት ኣሓዝያ ኢና፡ ንደቂ ንጉስን ደቂ ንግስትን ሰላም ክንብል ድማ ንወርድ ኣሎና፡ በሉ። 14 ንሱ ኸኣ፡
ብህይወቶም ሐዝዎም፡ በለ። ነቶም ኣርብዓን ክልተን ሰብ ከኣ ብህይወቶም ሒዝም ኣብቲ ኣብ ጥቓ ቤት
መኣከቢ ጓሶት ዘሎ ዔላ ሐረድዎም፡ ካባታቶም ሓደ ሰብ እኳ ኣየትረፈን። 15 ካብኡ ምስ ከደ ኸኣ፡
ዮናዳብ ወዲ ሬካብ ኪቃባበሎ ኸሎ ረኸቦ፡ ሰላም ኢልዎ ድማ፡ ከምቲ ልበይ ምስ ልብኻ ዘሎ፡
ልብኻኸ ቕኑዕ ድዩ፧ በሎ። ዮናዳብ ከኣ፡ ከምኡ እዩ፡ በለ። ከምኡ እንተ ደኣ ኾይኑስ፡ ኢድካ ሀበኒ፡
በሎ። ኢዱ ድማ ሀቦ። ናብ ሰረገላ ኸኣ ናብኡ ኣደየቦ። 16 ንዓ ምሳይ እሞ ቕንኣተይ ንእግዚኣብሄር ርኤ፡
ድማ በለ። ኣብቲ ሰረገላኡ ኸኣ ኣወጥሕዎ። 17 ናብ ሰማርያ ምስ ኣተወ ኸኣ፡ ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር
ንኤልያስ እተዛረቦ፡ ካብ ኣከኣብ ኣብ ሰማርያ ንዝተረፉ ኹሎም ክሳዕ ዜጽንቶም ቀተሎም። 18 የሁ ድማ
ንብዘለዉ ህዝቢ ኣኪቡ፡ ኣከኣብሲ ንበዓል ቅሩብ እዩ ዘገልግሎ፡ የሁ ግና ኣብዚሑ ኼገልግሎ እዩ። 19
ሕጂ ኸኣ፡ ንበዓል ብዙሕ ዝሰውኦ ኣሎኒ እሞ፡ ንኹሎም ነብያት በዓል፡ ኲሎም ኣገልገልቱን ኲሎም
ካህናቱን ጸውዑለይ፡ ሓደ ሰብ እኳ ኣይጕደል፡ ዝጐደለ ዘበለ ብህይወት ኣይነብርን እዩ፡ በሎም። የሁ
ግና ነቶም ኣገልገልቲ በዓል ምእንቲ ኼጽንቶም ኢሉ እዚ ብተንኰል ገበሮ። 20 የሁ ኸኣ፡ ንበዓል ዓብዪ
በዓል ቀድሱ፡ በለ። ንሳቶም ድማ ኣወጁ። 21 የሁ ድማ ናብ ብዘሎ እስራኤል ለኣኸ፡ ኣገልገልቲ በዓል ከኣ
ኲሎም መጹ፡ ከይመጸ ዝተረፈ ሰብ የልቦን። ናብ ቤት በዓል ድማ ኣተዉ፡ ቤት በዓል ከኣ ኣፍ ንኣፍ

መልኤት። 22 ነቲ ሓላዉ ክዳውንቲ ድማ፡ ንዅሎም ኣገልገልቲ በዓል ክዳውንቲ ኣምጽኣሎም። በሎ።
ንሱ ኸኣ ክዳውንቲ ኣምጸኣሎም። 23 ሽዑ የሁ ምስ ዮናዳብ ወዲ ሬካብ ናብ ቤት በዓል ኣተወ እሞ ነቶም
ኣገልገልቲ በዓል ጥራይሲ፡ ካብቶም ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ከይህሉ ኣስተብሂልኩም
ርአዩ፡ በሎም። 24 መስዋእቲ ሕሩድን ዚሐርር መስዋእትን ኪስውኡ ኸኣ ኣተዉ። የሁ ግና ሰማንያ ሰብ
ብወጻኢ ኣቘመጠ፡ ካብዞም ኣነ ኣብ ኢድኩም ኣሕሊፈ ሂበኩም ዘሎኹ ሰባት ሓደ ሰብ እንተ ኣምለጠ፡
ኣብ ክንዲ እታ ነፍሲ እቲኣ ነፍሱ ኸትሓልፍ እያ፡ በለ። 25 ኰነ ድማ፡ ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ ሰዊኡ ምስ
ፈጸመ፡ የሁ ነቶም ዘብዔኛታትን ሓላቑን፡ እተዉ፡ ቅተልዎም፡ ሓደ ሰብ እኳ ኣይውጻእ፡ በሎም።
ብስሕለት ሴፍ ከኣ ቀተልዎም፡ እቶም ዘብዔኛታትን ሓላቑን ድማ ደርብዮምዎም ናብ ከተማ ቤት በዓል
ከዱ። 26 ነቲ ኣብ ቤት በዓል ዝነበረ ምስልታት ከኣ ኣውጺኦም ኣንደድዎ። 27 ነቲ ምስሊ በዓል ድማ
ሰባበርዎ፡ ነታ ቤት በዓልውን ኣፍረሶም ክሳዕ ሎሚ ዓይነ ምድሪ ገይሮምዋ ኣለዉ። 28 የሁ ኸምዚ ገይሩ
ንበዓል ካብ እስራኤል ኣጥፍኦ። 29 የሁ ግና ካብቲ ሓጢኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ
ንእስራኤል ዘሕጥኣሉ፡ ማለት ደድሕሪ እቶም ኣብ ቤትኤልን ኣብ ዳንን ዝነበሩ ምራኹት ወርቂ ኻብ
ምስዓብ ኣየግለሰን። 30 እግዚኣብሄር ድማ ንየሁ፡ ኣብ ቅድመይ እቲ ቕኑዕ ዘበለ ኣጸቢቕካ ስለ ዝገበርካ፡
ንቤት ኣክኣብውን ከምቲ ኣብ ልበይ ዝነበረ ኹሉ ስለ ዝገበርካያ፡ ደቅኻ ኽሳዕ ራብዓይ ወለዶ ኣብ
ዝፋን እስራኤል ኪቕመጡ እዮም፡ በሎ። 31 ግናኸ የሁ ብምሉእ ልቡ ብሕጊ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል ንምኻድ ኣይተጠንቀቕን፡ ካብቲ ሓጢኣት የሮብዓም፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኤል ዘሕጥኣሉ፡
ኣየግለሰን። 32 በቲ ጊዜቲ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ኪቘርምማ ጀመረ። ሓዛኤል ድማ ንእስራኤል ኣብ
ኲሉ ዶባቶም ወቕዖም፡ 33 ካብ ዮርዳኖስ ብወገን ምብራቕ ጸሓይ ንብዘላ ምድሪ ጊልዓድ፡ ንደቂ ጋድን
ደቂ ሮቤልን ደቂ ምናሴን ኣብ ርባ ኣርኖን ዘላ ዓሮዔር ጀሚሩ ንጊልዓድን ባሳንን ከኣ ሰዓሮም። 34 እቲ
ዝተረፈ ናይ የሁ ነገርን ኲሉ ዝገበሮን ኲሉ መንፍዓቱን ድማ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት
እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 35 የሁ ኸኣ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ሰማርያ ድማ ቀበርዎ። ኣብ ክንዳኡ
ኸኣ ወዱ ዮኣሓዝ ነገሰ። 36 እቲ የሁ ኣብ ሰማርያ ኾይኑ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝነገሰሉ ዘመን ድማ
ዕስራን ሾሞንተን ዓመት እዩ።

## ምዕራፍ 11

1 ዓታልያ ኣደ ኣሓዝያ ድማ ወዳ ኸም ዝሞተ ምስ ረአየት፡ ተንሲኣ ንብዘሎ ዓሌት መንግስቲ ኣጥፍኤት።
2 ግናኸ የሆሸባ ጓል ንጉስ ዮራም፡ ሓብቲ ኣሓዝያ፡ ንዮኣስ ወዲ ኣሓዝያ ኻብ ማእከል እቶም እተቐትሉ
ደቂ ንጉስ ሰሪቓ ወሰደቶ እሞ፡ ንእኡን ንመጕዚቱን ኣብ ሕልፍኚ ዓራት ኣእትያ ኻብ ቅድሚ ዓታልያ
ሓብኣቶ፡ ኣይተቐትለን ድማ። 3 ምስኣ ተሓቢኡ ኸኣ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ሹድሽተ ዓመት ተቐመጠ።
ኣብታ ሃገር ድማ ዓታልያ ነጊሳ ነበረት። 4 በታ ሳብዐይቲ ዓመት ከኣ ዮያዳ ነቶም ናይ ካራውያን ሓላቑ
ሚእትታትን ንዘብዔኛታትን ልኢኹ ኣምጽኦም፡ ናብኡ ድማ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣእተዎም፡
ምሳታቶም ኪዳን ኣትዩ ኸኣ፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣምሐሎም፡ ነቲ ወዲ ንጉስ ድማ ኣርኣዮም። 5
ከምዚ ኢሉ ኸኣ ኣዘዞም፡ እቲ እትገብርዎ ነገር እዚ እዩ፡ እቶም ካባኻትኩም ብሰንበት ዚኣትዉ፡ ሲሶ
ሓለዋ ቤተ ንጉስ ይሐልዉ፡ 6 እቶም ሲሶ ድማ ኣብ ደገ ሱር፡ እቶም ሲሶ ኸኣ ኣብቲ ኣብ ድሕሪ እቶም
ዘብዔኛታት ዘሎ ደገ ይኹኑ። ሐለዋ እታ ቤት ሐሊኹም ከኣ ከልክሉ። 7 እቶም ክልተ ኽፍሊ
ኻባኻትኩም ድማ፡ እቶም ብሰንበት ዚወጹ ኸሎም፡ ሓለዋ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ ዙርያ ንጉስ

ይሐልዉ። 8 ነፍሲ ወከፍ ከኣ ኣጽዋሩ ኣብ ኢዱ ሒዙ ንንጉስ ብዙርያኡ ኸበብዎ። እቲ ፐሒሱ ኣብ
መስርዕ ዚኣቱ ድማ ይሙት። እቲ ንጉስ ኪወጽእን ኪኣቱን ከሎ ኸኣ፡ ምስኡ ኹኑ። 9 እቶም ሓላቑ
ሚእቲ ኸኣ ከምቲ ኻህን ዮያዳ ዝኣዘዞም ኲሉ ገበሩ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰሰቦም፡ ነቶም ብሰንበት ዚኣትዉ
ምስቶም ብሰንበት ዚወጹ ገይሮም ወሲድዎም፡ ናብ ካህን ዮያዳ ድማ መጹ። 10 እቲ ኻህን ድማ እቲ ኣብ
ቤት እግዚኣብሄር ዝነበረ ናይ ንጉስ ዳዊት ዝነበረ ኹናውትን ዋላቱን ነቶም ሓላቑ ሚእቲ ሀቦም። 11
እቶም ዘብዔኛታት ድማ ነፍሲ ወከፍ ኣጽዋሩ ብኢዱ ሒዙ ኻብ የማናይ መኣዝን እታ ቤት ጀሚሮም
ክሳዕ ጸጋማይ መኣዝን እታ ቤት ኣብ ጥቓ እቲ መሰውእን እታ ቤትን፡ ኣብ ዙርያ እቲ ንጉስ ቈሙ። 12
ሽዑ ነቲ ወዲ ንጉስ ኣውጺኡ ዘውዲ ደፍኣሉ፡ እቲ ምስክርውን ሀቦ። ኣንገስዎን ቀብእዎን ከኣ፡ ኣእዳዎም
እናኣጥቐዑ ድማ፡ ንጉስ ህያው ይኹን፡ በሉ። 13 ዓታልያ ድማ ድምጺ እቶም ዘብዔኛታትን ህዝብን ምስ
ሰምዔት፡ ናብቲ ህዝቢ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣተወት። 14 እንተ ጠመተት ከኣ፡ እንሆ፡ እቲ ንጉስ ከምቲ
ስርዓት ኣብ ጥቓ ዓንዲ ቈይሙ ነበረ፡ እቶም ሓላቑን እቶም መለኸተኛታትን ድማ ምስ ንጉስ ነበሩ።
ብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገርውን ተሐጒሱ መለኸት ይነፍሕ ነበረ። ሽዑ ዓታልያ ኽዳውና ቐዲዳ፡ ዕልወት
እዩ፡ ዕልወት እዩ፡ ኢላ ጨረሐት። 15 እቲ ኻህን ዮያዳ፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣይትሙት፡ ኢሉ ነበረ
እሞ፡ ካህን ዮያዳ ድማ ነቶም ነቲ ሰራዊት ዚመርሑ ሓላቑ ሚእቲ፡ ካብ ቤት ብማእከል መስርዕ
ኣውጽእዋ፡ ንዚሰዕባ ኸኣ ብሴፍ ቅተልዎ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 16 ሽዑ ሐዝዋ፡ በታ ኣፍራስ ናብ ቤተ ንጉስ
ዚኣትዉላ መገዲ ድማ ከደት፡ ኣብኡ ኸኣ ቀተልዋ። 17 ዮያዳ ድማ ህዝቢ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኪኾውን
ኢሉ፡ ኣብ መንጎ እግዚኣብሄርን ኣብ መንጎ ንጉስን ህዝብን ኪዳን ኣቘመ፡ ኣብ መንጎ እቲ ንጉስን ኣብ
መንጎ እቲ ህዝብን ከኣ ከምኡ ገበረ። 18 ብዘለዉ ህዝቢ እታ ሃገር ድማ ናብ ቤት በዓል ኣትዮም
ኣፍረስዋ፡ መሰውኢታቱን ምስልታቱን ኣዝዮም ሰባበርዎ፡ ንማታን ካህን በዓል ከኣ ኣብ ቅድሚ እቲ
መሰውኢታቱን ምስልታቱን ኣዝዮም ሰባበርዎ፡ ንማታን ካህን በዓል ከኣ ኣብ ቅድሚ እቲ መሰውኢታት
ሐረድዎ። እቲ ኻህን ድማ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ሐለውቲ ገበረ። 19 ነቶም ሓላቑ ሚእትን ነቶም
ካራውያንን ንዘብዔኛታትን ንብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገርን ድማ ወሰደ፡ ነት ንጉስ ከኣ ካብ ቤት እግዚኣብሄር
ኣውረድዎ፡ ብመገዲ ደገ ዘብዔኛታት ኣቢሎም ድማ ናብ ቤተ ንጉስ መጹ። ኣብ ዝፋን ነገስታት ከኣ
ተቐመጠ። 20 ብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገር ከኣ ተሐጒሱ፡ እታ ኸተማውን ሀድኤት። ንዓታልያ ግና ኣብ ቤተ
ንጉስ ብሴፍ ቀተልዎ። 21 ዮኣስ ኪነግስ ከሎ ወዲ ሾብዓተ ዓመት ነበረ።

## ምዕራፍ 12

1 ንየሁ ኣብ ሳብዐይቲ ዓመቱ ዮኣስ ነገሰ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ኣርብዓ ዓምት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ድማ
ጺብያ፡ ንሳ ኻብ ብኤርሺባዕ እያ። 2 ዮኣስ ከኣ በቲ ኻህን ዮያዳ ኺምህሮ ኸሎ ዝነበሮ ኹሉ ዘመን ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። 3 ግናኸ ነቲ በረኽቲ ኣየግለስዎን፡ እቲ ህዝቢ ገና ኣብ በረኽቲ
ይስውእን ይዐጥንን ነበረ። 4 ዮኣስ ድማ ነቶም ካህናት፡ ኲሉ እቲ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዚኣቱ እተቐደሰ
ገንዘብ። ዚተሓላለፍ ገንዘብ፡ ነፍሲ ወከፍ ናይ ገምጋም ነፍሲ ዚህቦ ገንዘብን እቲ ልቡ ዝደፍኦ ሰብ
ንቤት እግዚኣብሄር ኢሉ ዘምጽኦ ኹሉ ገንዘብን። 5 እቶም ካህናት ነፍሲ ወከፎም ከካብ ዚፈልጥዎ
ይውሰዱ እሞ ንሳቶም ነቲ ፍራሳት እታ ቤት፡ ኣብኣ እተረኽበ ዘበለ ኹሉ ፍራሳት ይጸግኑ፡ በሎም። 6
ግናኸ እቶም ካህናት ነቲ ፍራሳት እታ ቤት ክሳዕ መበል ዕስራን ሰለስተን ዓመቱ ንንጉስ ዮኣስ
ኣይጸገንዎን። 7 ሽዑ ንጉስ ዮኣስ ንኻህን ዮያዳን ነቶም ካልኦት ካህናትን ጸዊዑ፡ ስለምንታይ ኢኹም

ፍራሳት እዛ ቤት ዘይጸገንኩምዎ ሕጂ ኸኣ ንመጸገን ፍራሳት እታ ቤት ሀቡ እምበር፡ ደጊምሲ ኻካብቶም
እትፈልጥዎም ገንዘብ ኣይውሰዱ፡ በሎም። 8 እቶም ካህናት ድማ ካብቲ ህዝቢ ገንዘብ ከይወስዱ፡
ንፍራሳት እታ ቤት ከኣ ከይጽግኑ ሰመሩ። 9 ካህን ዮያዳ ግና ሓደ ሳጹን ወሲዱ ኣብ መኽደኑ ነኈል
ገበረ፡ ኣብ ጥቓ መሰውኢ ነቶም ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዚአትዉ ሰብ ብየማናዎም ኣቐመጦ። እቶም ደገ
ዚሕልዉ ኻህናት ድማ ነቲ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዝአተው ዅሉ ገንዘብ ናብኡ ኣእተዎዎ። 10 ኰነ ኸኣ፡
ኣብቲ ሳጹን ብዙሕ ገንዘብ ከም ዘሎ ምስ ረአዩ፡ ናይ ንጉስ ጸሓፍን እቲ ሊቀ ኻህናትን ደየቡ፡ ነቲ ኣብ
ቤት እግዚኣብሄር እተረኽበ ገንዘብ ቈጺሮም ኣብ ኣኽያሽ ኣሰርዎ። 11 እቲ እተመዝነ ገንዘብ ድማ ኣብ
ኢድ እቶም ነቲ ዕዮ ዚዐዩ ዋናታት ቤት እግዚኣብሄር ዚዐዩ ጸረብቲ ዕጨይትን ንሃነጽትን። 12 ንነደቕትን
ንወቐርቲ እምንን ንምዕዳግ ኣእዋምን ውቑር እምንን ንምጽጋን እቲ ፍራሳት ቤት እግዚኣብሄር ዚኸውን፡
ንምጽጋን እታ ቤት ዝወጸ ዅሉ ድማ ይህብዎም ነበሩ፡ 13-14 እቲ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዝአተወ ገንዘብ
ከኣ ነቶም ነቶ ዕዮ ዝዐየዩ ሀብዎም፡ ንሳቶም ከኣ ነታ ቤት እግዚኣብሄር ጸገኑሉ እምበር፡ ካብኡስ ንቤት
እግዚኣብሂር ዜድሊ ጻሕሊ ብሩር፡ መሳቐጺታት፡ ጭሔሎታት፡ መለኸት፡ ገለ እኳ ኣቕሓ ወርቂ ወይ
ኣቕሓ ብሩር ኣይተገብረን። 15 ነቶም ነቲ ዕዮ ዚዐዩ ኺህቡ እቲ ገንዘብ ኣብ ኢዶም ዝሀብዎም ሰባት
ብእምነት ስለ ዝገበርዎ፡ ኣይጸባጸብዎምን ነበሩ። 16 እቲ ገንዘብ መስዋኣቲ በደልን ገንዘብ መስዋእቲ
ሓጢኣትን ንኻህናት ኰነ እምበር፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄርሲ ኣይአተወን። 17 ሽው ሓዛኤል ንጉስ ሶርያ
ደየበ እሞ፡ ንጋት ተዋጊኡ ሓዛ። ሓዛኤል ድማ ናብ የሩሳሌም ኪድይብ ገጹ ኣቕንዔ። 18 ዮአስ ንጉስ
ይሁዳ ኸኣ እቲ ኣቦታቱ ዮሳፋጥን ዮራምን ኣሓዝያን፡ ነገስታት ይሁዳ፡ ዝቐደስዎ ዅሉ ቅዱስ ነገርን ንሱ
ዝቐደሶን ድማ፡ ኣብ መዝገብ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ ናይ ቤተ ንጉስን እተረኽበ ዅሉ ወርቅን ወሲዱ፡
ንሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ሰደደሉ። ንሱ ኸኣ ካብ የሩሳሌም ተመልሰ። 19 እቲ ዝተረፈ ናይ ዮአስ ነገርን ኩሉ
ዝገበሮን ድማ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 20 ንዮኣስ ድማ
ገላዉኡ ተንሲኦም ማሕላ ተማሓሓሉሉ፡ ኣብታ ኣብ መውረዲት ሲላ ዘላ ቤት ሚሎ ኸኣ ቀተልዎ። 21
እቶም ገላዉኡ ዮዛካር ወዲ ሺምዓትን ዮዛባድ ወዲ ሾሜርን ኰይኖም ወቕዕዎ፡ ሞተ ድማ፡ ኣብ ከተማ
ዳዊት ከኣ ምስ ኣቦታቱ ቐበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ኣማስያ ነገሰ።

## ምዕራፍ 13

1 ንዮአስ ወዲ ኣሓዝያ፡ ንጉስ ይሁዳ፡ ኣብ መበል ዕስራን ሰለስተን ዓመቱ ዮኣሓዝ ወዲ የሁ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡ ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመት ከኣ ገዝኤ። 2 ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ክፉእ ገበረ፡ ደድሕሪ እቲ ሓጢኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኤል ዘሕጥአሉ፡ ሰዐበ፡
ካብኡ ኣየግለሰን። 3 ሽዑ ዅራ እግዚኣብሄር ኣብ እስራኤል ነደደ እሞ ብዅሉ እቲ ዘመን እቲ ኣብ ኢድ
ሓዛኤል ንጉስ ሶርያን ኣብ ኢድ ቤንሃዳድ ወዲ ሓዛኤልን ኣሕሊፉ ሀቦም። 4 ዮኣሓዝ ግና ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ እቲ ጥቕዓት እስራኤል፡ ንጉስ ሶርያ ኸመይ ከም ዘጥቅዖም
ርእዩ ነበረ እሞ፡ ሰምዖ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ንእስራኤል መድሓኒ ሀቦም እሞ፡ ካብ ትሕቲ ኢድ
ሶርያውያን ወጹ። እቶም ደቂ እስራኤል ከኣ ከምቲ ናይ ቀደም ኣብ ድንኳውንቶም ተቐመጡ። 6 ግናኸ
ካብቲ ሓጢኣት ቤት የሮብዓም፡ ንሱ ብእኡ ደአ ኸዱ። እታ ምስሊ ኣስታርተ ድማ ኣብ ሰማርያ ቘይማ
ነበረት። 7 እቲ ንጉስ ሶርያ ኸም ብቝብቝ ዓውዲ ገይሩ ኣጥፊእዎም ነበረ እሞ፡ ንዮአሓዝ። ብጀካ
ሓምሳ ፈረሰኛን ዓሰርተ ሰረገላን ዓሰርተ ሽሕ ኣጋርን፡ ገለ እኳ ኣየትረፈሉን። 8 እቲ ዝተረፈ ናይ ዮኣሓዝ

ነገርን ኲሉ ዝገበሮን መንፍዓቱን ንሱ ኣብ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ [9] ዮኣሓዝ ድማ
ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ሰማርያውን ቀበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ዮኣስ ነገሰ። [10] ንዮኣስ ንጉስ ይሁዳ
ኣብ መበል ሰላሳን ሾብዓተን ዓመቱ ዮኣስ ወዲ ዮኣሓዝ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡
ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ከኣ ገዝኤ። [11] ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ካብቲ ኹሉ
ሓጢኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኤል ዘሕጥኣሉ፡ ብእኡ ኸደ እምበር፡ ካቶ ኣየግለሰን።
[12] እቲ ዝተረፈ ናይ ዮኣስ ነገርን ኲሉ ዝገበሮን እቲ ምስ ኣማስያ ንጉስ ይሁዳ እተዋግኣሉ መንፍዓቱን፡
ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ [13] ዮኣስ ድማ ምስ ኣቦታቱ
ደቀሰ። የሮብዓም ከኣ ኣብ ዝፋኑ ተቐመጠ። ዮኣስ ድማ ምስ ነገስታት እስራኤል ኣብ ሰማርያ ተቐብረ።
[14] ኤልሳእ ከኣ እታ ዝሞተላ ሕማም ሓመመ። ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ድማ ናብኡ ወሪዱ፡ ኣብ ቅድሚኡ
ኰይኑ፡ ኣቦየ፡ ኣቦየ፡ ናይ እስራኤል ሰረገላን ፈረሰኛታቱን፡ ኢሉ በኸየ። [15] ኤልሳእ ከኣ፡ ቀስትን
ፍላጻታትን ውሰድ፡ በሎ። ንሱ ድማ ቀስትን ፍላጻታት ወሰደ። [16] ነቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ፡ ኢድካ ኣብ
ልዕሊ ቐስቲ ስቐል፡ በሎ። ኢዱ ድማ ሰቐለ። ኤልሳእ ከኣ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኢድ እቲ ንጉስ ገበረ። [17] ንሱ
ኸኣ፡ ነቲ ናይ ምብራቕ መስኮት ክፈቶ፡ በሎ። ከፈቶ ድማ። ኤልሳእ ከኣ፡ ወርውር፡ በሎ። ንሱ ድማ
ወርወረ። ኤልሳእ ከኣ፡ ናይ ምድሓን ፍላጻ እግዚኣብሄር፡ ፍላጻ ምድሓን ኣብ ልዕሊ ሶርያ ንሶርያውያን
ክሳዕ እትውድኦም ኣብ ኣፌቕ ክትስዕሮም ኢኻ፡ በለ። [18] ፍላጻታት ውሰድ፡ ድማ በሎ። ወሰዶ ኸኣ።
ንንጉስ እስራኤል ድማ፡ ንምድሪ ውቕዓያ፡ በሎ። ሰለስተ ሳዕ ወቒዑ ኸኣ ደው በለ። [19] ሽዑ እቲ ናይ
ኣምላኽ ሰብ ኲረየሉ እሞ፡ ሓሙሽተ ወይ ሹድሽተ ሳዕ ወቒዕካያ ሽም ኰንካ፡ ሽዑ ንሶርያውያን ክሳዕ
እትውድኦም ምሰዐርካዮም ኔርካ። ሕጂ ግና ንሶርያውያን ሰለስተ ሳዕ ጥራይ ክትስዕሮም ኢኻ፡ በሎ። [20]
ኤልሳእ ድማ ሞተ፡ ቀበርዎውን። ብመጀመርታ ዓመት ከኣ ሓደጋ ዚወድቁ ኻብ ሞኣብ ናብታ ሃገር
መጹ። [21] ኰነ ድማ፡ ነቶም ወደቕቲ ሓደጋ ርእዮም ነቲ ሰብኣይ ናብ መቓብር ኤልሳእ ደርበይዎ። እቲ
ሰብኣይ ከኣ ኣዕጽምቲ ኤልሳእ ምስ ተንከየ፡ ሐወየ፡ ብእግሩ ድማ ደው በለ። [22] ሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ኸኣ
ብኹሉ ዘመን ዮኣሓዝ ንእስራኤል ኣጥቅዖም። [23] እግዚኣብሄር ግና ይቕረ ኢሉ ደንገጸሎም፡ ስለ እቲ ምስ
ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዝኣተዎ ኺዳኑ ኢሉ ድማ ገጹ መለሰሎም፡ ኬጥፍኦም ከኣ ኣይፈተወን፡
ክሳዕ ሕጂውን ካብ ቅድሚ ገጹ ኣይደርበዮምን። [24] ሓዛኤል ንጉስ ሶርያ ድማ ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ
ወዱ ቤንሃዳድ ነገሰ። [25] ዮኣስ ወዲ ዮኣሓዝ ድማ ነተን ሓዛኤል ብውግእ ካብ ኢድ ኣቦኡ ዮኣሓዝ
ወሲድወን ዝነበረ ኸተማታት ካብ ኢድ ቤንሃዳድ ወዲ ሓዛኤል መሊሱ ወሰደን። ዮኣስ ሰለስተ ሳዕ
ሰዐሮ፡ ነተን ከተማታት እስራኤል ከኣ ኣምለሰን።

## ምዕራፍ 14

[1] ንዮኣስ ንጉስ እስራኤል፡ ወዲ ዮኣሓዝ፡ ኣብ ካልኣይ ዓመቱ ኣማስያ ወዲ ዮኣስ ኣብ ይሁዳ ነገሰ። [2]
ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ድማ ዕስራን ትሽዓተን ዓመት ገዝኤ።
ስም ኣዲኡ ኸኣ ዮዓዳን ነበረ፡ ንሳ ኻብ የሩሳሌም እያ። [3] ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ።
ግናኸ ከም ኣቦኡ ዳዊት ኣይኰነን፡ ከምቲ ኣቦኡ ዮኣስ ዝገበሮ ኹሉ ደአ ገበረ። [4] ነቲ በረኽቲ ግና
ኣየግለሰዎን፡ እቲ ህዝቢ ገና ኣብ በረኽቲ ይሰውእን ይዕጥንን ነበረ። [5] ኰነ ድማ፡ እታ መንግስቲ ኣብ
ኢዱ ምስ ጸንዓትሉ፡ ነቶም ነቦኡ ንጉስ ዝቐተሉ ገላዉኡ ቐተሎም። [6] ግናኸ፡ ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ
ሙሴ ተጽሒፉ ዘሎ፡ ነፍሲ ወከፍ ብሓጢኣቱ ደአ ይሙት እምበር፡ ኣቦታት ኣብ ክንዲ ደቂ ኣይሙቱ፡

ደቂውን ኣብ ክንዲ ኣቦታት ኣይሙቱ፡ ኢሉ እግዚኣብሄር ከም ዝኣዘዘ፡ ነቶም ደቂ ቐታሎስ
ኣይቀተሎምን። 7 ንሱ ንኤዶማውያን ኣብ ለሰ ጨው ዓሰርተ ሽሕ ሰብኣይ ቀተለ፡ ንሴላ ኸኣ ብውግእ
ሓዛ፡ ስማ ድማ ከምቲ ኽሳዕ ሎሚ ዘሎ፡ ዮቅትኤል ኢሉ ሰመያ። 8 ሽዑ ኣማስያ ናብ ዮኣስ ንጉስ
እስራኤል፡ ወዲ ዮኣሓዝ ወዲ የሁ፡ ንዓ ገጽ ንገጽ ንርኣኤ፡ ኢሉ ሊኡኻት ሰደደሉ። 9 ዮኣስ ንጉስ
እስራኤል ከኣ ንኣማስያ ንጉስ ይሁዳ ኸምዚ ኢሉ ለኣኸሉ፡ እቲ ኣብ ሊባኖስ ዝነበረ እሾኹ ነቲ ኣብ
ሊባኖስ ዝነበረ ቄድሮስ፡ ንወደይ ሰበይቲ ኽትኰኖስ ጓልካ ሀበኒ፡ ኢሉ ለኣኸሉ። ኣብ ሊባኖስ ዝነበረ
ኣራዊት መሮር ድማ ሐለፈ፡ ነቲ እሾኹ ከኣ ረገጾ። 10 ንኤዶም ርግጽ ስዒርካ፡ ልብኻ ተዐብዩ ኣሎ፡
ክበር፡ ኣብ ቤትካ ድማ ተቐመጥ፡ ንስኻ ይሁዳ ኸኣ ምሳኻ ኽትወድቁሉስ፡ ስለምንታይ ኢኻ ነቲ መከራ
እትደልዮ፧ 11 ኣማስያ ግና ኣይሰምዖን። ሽዑ ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ደየበ እሞ፡ ንሱን ኣማስያ ንጉስ
ይሁዳን ኣብታ ኣብ ይሁዳ ዘላ ቤትሸመሽ ገጽ ንገጽ ተራኣአዩ። 12 ግናኸ ይሁዳ ኣብ ቅድሚ እስራኤል
ተሳዕሩ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ ነናብ ድንኳኑ ሀደመ። 13 ንኣማስያ ንጉስ ይሁዳ፡ ወዲ ዮኣስ ወዲ ኣሓዝያ፡
ድማ ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ኣብ ቤትሸመሽ ወሰዶ፡ ናብ የሩሳሌም ከኣ መጸ፡ ንመካበብያ የሩሳሌም ካብ
ደገ ኤፍሬም ጀሚሩ ኽሳዕ ደገ መኣዝን ኣርባዕተ ሚእቲ እመት ኣፍረሰ። 14 ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄርን
ኣብ መዝገብ ቤተ ንጉስን እተረኽበ ኹሉ ወርቅን ብሩርን ኩሉ ኣቓሑን ወሰደ፡ ደቂውን ዝሆ ሒዙ ናብ
ሰማርያ ተመልሰ። 15 እቲ ዝተረፈ ዮኣስ ዝገበሮ ነገርን መንፎዓቱን እቲ ምስ ኣማስያ ንጉስ ይሁዳ
እተዋግኦን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 16 ዮኣስ ድማ ምስ
ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ምስ ነገስታት እስራኤል ከኣ ኣብ ሰማርያ ተቐብረ። የሮብዓም ወዱ ኸኣ ኣብ ክንዳኡ
ነገሰ። 17 ኣማስያ ንጉስ ይሁዳ፡ ወዲ ዮኣስ፡ ድማ ድሕሪ ሞት ዮኣስ ንጉስ እስራኤል፡ ወዲ ዮኣሓዝ፡
ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ጸንሔ። 18 እቲ ዝተረፈ ናይ ኣማስያ ነገር፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን
ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ አየሎን፧ 19 ኣብ የሩሳሌም ድማ ማሕላ ተማሓሐሉ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ላኪሽ
ሀደመ፡ ደድሕሪኡ ዳ ናብ ላኪሽ ሰደዱ፡ ኣብኡውን ቀተልዎ፡ 20 ኣብ ኣፍራስ ከኣ ሰቐልዎ፡ ምስ ኣቦታቱ
ድማ ኣብ ከተማ ዳዊት ኣብ የሩሳሌም ተቐብረ። 21 ብዘለዉ ህዝቢ ይሁዳ ድማ ንኣዛርያ፡ ንሱ ወዲ
ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ከሎ፡ ወሲዶም ንእኡ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ኣማስያ ኣንገስዎ። 22 ንሱ ንኤላት
ሰርሓ፡ ድሕሪ ምድቃስ እቲ ንጉስ ምስ ኣቦታቱ ድማ ናብ ይሁዳ ኣምለሳ። 23 ንኣማስያ ንጉስ ይሁዳ፡ ወዲ
ዮኣስ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመቱ የሮብዓም ወዲ ዮኣስ ንጉስ እስራኤል፡ ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡
ኣርብዓን ሓደን ዓመት ድማ ገዝኤ። 24 ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ካብቲ ኹሉ ሓጢኣት
የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኤል ዘሕጥኣሉ፡ ካብኡ ኣየግለሰን። 25 ንሱ ኸምቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል በቲ ኻብ ጋትሔፈር ዝነበረ ባርያኡ ነብዩ ዮናስ ወዲ ኣማቲ እተዛረቦ ቓል ነቲ ዶብ
እስራኤል ካብቲ ንሓማት ዜእቱ ጀሚሩ ኽሳዕ ባሕሪ ጐልጐል ኣምለሶ። 26 እዚ እግዚኣብሄር እቲ ጸበባ
እስራኤል እምብዛ ኸም ዝመረረ፡ እሱር ኰነ ዘይእሱር ድማ ከም እተወድኤ፡ ንእስራኤል ከኣ ረዳኢ
ኸም ዜብሉ ስለ ዝረኣየ እዩ። 27 እግዚኣብሄር ድማ ንስም እስራኤል ካብ ትሕቲ ሰማይ ኪድምስሶ ኢሉ
ኣይተዛረበን፡ ስለዚ ብኢድ የሮብዓም ወዲ ዮኣስ ኣድሐኖም። 28 እቲ ዝተረፈ ናይ የሮብዓም ነገርን እቲ
ዝገበሮ ኹሉን መንፍዓቱን፡ ድማ ከመይ ከም እተዋግኤ፡ ነተን ናይ ይሁዳ ኹይነን ዝነበራ ደማስቆን
ሓማትን ከኣ ናብ እስራኤል ከም ዘምለሰን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ
ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 29 የሮብዓም ድማ ምስ ኣቦታቱ፡ ምስ ነገስታት እስራኤል ደቀሰ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ
ወዱ ዘካርያስ ነገሰ።

# ምዕራፍ 15

1 ንየሮብዓም ንጉስ እስራኤል ኣብ መበል ዕስራን ሾብዓተን ዓመቱ ኣዛርያ፡ ወዲ ኣማስያ ንጉስ ይሁዳ፡
ነገሰ። 2 ኪነግስ ከሎ ኸኣ ወዲ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ነበረ፡ ሓምሳን ክልተን ዓመት ድማ ኣብ
የሩሳሌም ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ኸኣ የኮልያ እዩ፡ ንሳ ኻብ የሩሳሌም እያ። 3 ከምቲ ኣቦኡ ኣማስያ ዝገበሮ
ኹሉ፡ ንሱ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። 4 ግናኸ ነቲ በረኽቲ ኣየግለስዎን ነበሩ፡ እቲ
ህዝቢ ገና ኣብ በረኽቲ ይስውእን ይዐጥንን ነበረ። 5 እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ንጉስ ወቕዖ፡ ክሳዕ መዓልቲ
ሞቱ ኸኣ ለምጻም ኰነ፡ ኣብ ፍልይቲ ቤትውን ይቕመጥ ነበረ። ዮታም ወዲ ንጉስ ድማ ዋና እታ ቤት
ኰይኑ ንህዝቢ እታ ሃገር ይፈርድ ነበረ። 6 እቲ ዝተረፈ ናይ ኣዛርያ ነገርን ኲሉ እቲ ዝገበሮን፡ ንሱ ኣብ
መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 7 ኣዛርያ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ
ዳዊትውን ምስ ኣቦታቱ ቐበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ዮታም ወዱ ነገሰ። 8 ንኣዛርያ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል
ሰላሳን ሾሞንተን ዓመቱ ዘካርያስ ወዲ የሮብዓም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡ ሹድሽተ
ወርሒ ኸኣ ገዝኤ። 9 ከምቲ ኣቦታቱ ዝገበርዎ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ፡ ካብቲ ሓጢኣት
የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኣኤል ዘሕጥኣሉ፡ ኣየግለሰን። 10 ሻሉም ወዲ ያቤሽ ድማ
ተማሓሐለሉ እሞ ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ወቒዑ ቐተሎ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ነገሰ። 11 እቲ ዝተረፈ ናይ
ዘካርያስ ነገር፡ ንሱ እንሆ፡ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤል ተጽሒፉ ኣሎ። 12 እቲ
እግዚኣብሄርስ ንየሁ፡ ደቅኻ ኽሳዕ ራብዓይ ወለዶ ኣብ ዝፋን እስራኤል ኪቕመጡ እዮም፡ ኢሉ እተዛረቦ
ቓል እዚ እዩ። ከምኡ ኸኣ ኰነ። 13 ንኡዝያ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ሰላሳን ትሽዓተን ዓመቱ ሻሉም ወዲ
ያቤሽ ነገሰ እሞ ኣብ ሰማርያ ሓንቲ ወርሒ ገዝኤ። 14 ምናሔም ወዲ ጋዲ ኸኣ ካብ ቲርጻ ደዪቡ ናብ
ሰማርያ መጸ፡ ንሻሉም ወዲ ያቤሽ ድማ ኣብ ሰማርያ ወቒዑ ቐተሎ፡ ኣብ ክንዳኡውን ነገሰ። 15 እቲ
ዝተረፈ ናይ ሻሉም ነገርን እቲ እተማሓሐሎ ማሕላን፡ ንሱ እንሆ፡ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት
እስራኤል ተጽሒፉ ኣሎ። 16 ሽዑ ምናሔም ንቲፍሳሕን ኣብኣ ንዝነበረ ኹሉን፡ ንዶባታ ድማ ካብ ቲርጻ
ጀሚሩ ተዋግኣ፡ እታ ኸተማ ኣይከፈቱሉን፡ ስለዚ ኸኣ ሰዐራ፡ ኣብኣ ንዝጸንሓ ኹለን ጥኑሳትውን
ቀደደን። 17 ንኣዛርያ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ሰላሳን ትሽዓተን ዓመቱ ምናሔም ወዲ ጋዲ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ነገሰ እሞ ኣብ ሰማርያ ዓሰርተ ዓመት ገዝኤ። 18 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ክፉእ ገበረ።
ብኹሉ ዘመኑ ኸኣ ካብቲ ሓጢኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኤል ዘሓትኣሉ ሓጢኣት፡
ኣየግለሰን። 19 ፉል ንጉስ ኣሶር ድማ ናብታ ሃገር መጸ። ምናሔም ከኣ እታ መንግስቲ ኣብ ኢዱ ምእንቲ
ኽትጸንዕ ኪድግፎ ኢሉ፡ ንፉል ሽሕ ታለንት ብሩር ሀቦ። 20 ምናሔም ድማ ንንጉስ ኣሶር ምእንቲ ኺህብ፡
ካብ እስራኤል ካብቶም ኣዝዮም ሃብታማት ዘበሉ፡ ካብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ሓምሳ ሲቃል ብሩር
ኣውጽኤ። እቲ ንጉስ ኣሶር ከኣ ተመልሰ፡ ኣብኣ ኣብታ ሃገርውን ኣይቴመን። 21 እቲ ዝተረፈ ናይ
ምናሔም ነገርን ኲሉ ዝገበሮን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤልዶ ተጽሒፉ የለን። 22
ምናሔም ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ጴቃሕያ ነገሰ። 23 ንኣዛርያ ንጉስ ይሁዳ ኣብ
መበል ሓምሳ ዓመቱ ጴቃሕያ ወዲ ምናሔም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡ ክልተ ዓመት ከአ
ገዝኤ። 24 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። ካብቲ ሓጢኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ
ንእስራኤል ዘሕጥኣሉ፡ ኣየግለሰን። 25 ጴቃሕ ወዲ ረማልያ፡ ንሱ ሓደ ኻብቶም ሓላቑኡ፡ ድማ
ተማሓሐለሉ እሞ ንእኡ ምስ ኣርጎብርን ኣርየን ገይሩ ኣብ ሰማርያ ኣብ ኣደራሽ ቤተ ንጉስ ቀተሎ።
ምስኡ ድማ ካብ ደቂ ጊልዓዳውን ሓምሳ ሰብ ነበሩ፡ ንእኡ ቐቲሉ ከኣ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። 26 እቲ ዝተረፈ
ናይ ጴቃሕያ ነገርን ኲሉ እቲ ዝገበሮን፡ ንሱ እንሆ፡ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤል

ተጽሒፉ ኣሎ። [27] ንኣዛርያ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ሓምሳን ክልተን ዓመቱ፡ ጴቃሕ ወዲ ረማልያ ኣብ
ልዕሊ እስራኤል ኣብ ሰማርያ ነገሰ፡ ዕስራ ዓመት ድማ ገዝኤ። [28] ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ክፉእ
ገበረ፡ ካብቲ ሓጢኣኣት የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንሱ ብእኡ ንእስራኤል ዘሕጥኣሉ፡ ኣየግለሰን። [29]
ብዘመን ጴቃሕ ንጉስ እስራኤል፡ ቲግላትጺሌሰር ንጉስ ኣሶር መጸ፡ ንዒዮንን ንኣቤልቤትማዓካን ንያኖኣን
ንቃዴስን ንሓጾርን ንጊልዓድን ንገሊላን፡ ብዘላ ምድሪ ንፍታሌም ሐዛ፡ ናብ ኣሶር ከኣ ማረኾም። [30]
ሆሴእ ወዲ ኤላ ድማ ንጴቃሕ ወዲ ረማልያ ተማሓሐለሉ፡ ወቒዑ ኸኣ ቀተሎ፡ ንዮታም ወዲ ኡዝያ ኣብ
መበል ዕስራ ዓመቱ ድማ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። [31] እቲ ዝተረፈ ናይ ጴቃሕ ነገርን ኲሉ እቲ ዝገበሮን፡ ንሱ
እንሆ፡ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት እስራኤል ተጽሒፉ ኣሎ። [32] ንጴቃሕ ንጉስ እስራኤል፡ ወዲ
ረማልያ፡ ኣብ ካልኣይቲ ዓመቱ ዮታም፡ ኡዝያ ንጉስ ይሁዳ፡ ነገሰ። [33] ኪነግስ ከሎ ኸኣ ወዲ ዕስራን
ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ድማ የሩሻ
እዩ፡ ንሳ ጓል ጻዶቅ እያ። [34] ንሱ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ፡ ከምቲ ኣቦኡ ኡዝያ ዝገበሮ
ኹሉ ገበረ። [35] ግናኸ ነቲ በረኸቲ ኣየግለሰምዎን፡ እቲ ህዝቢ ገና ኣብ በረኸቲ ይሰውእን ይዐጥንን ነበረ።
ንሱ ነቲ ላዕላይ ደገ ቤት እግዚኣብሄር ሰርሖ። [36] እቲ ዝተረፈ ናይ ዮታም ነገርን ኲሉ እቲ ዝገበሮን፡ ንሱ
ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ [37] በቲ ጊዜ እቲ እግዚኣብሄር ንረጺን
ንጉስ ሶርያን ንጴቃሕ ወዲ ረማልያን ንምጽራር ይሁዳ ኺሰዶም ጀመረ። [38] ዮታም ድማ ምስ ኣቦታቱ
ደቀሰ፡ ምስ ኣቦታቱ ከኣ ኣብ ከተማ ኣቦኡ ዳዊት ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ኣሃዝ ነገሰ።

# ምዕራፍ 16

[1] ንጴቃሕ ወዲ ረማልያ ኣብ መበል ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመቱ ኣሃዝ፡ ወዲ ዮታም ንጉስ ይሁዳ፡ ነገሰ። [2]
ኣሃዝ ኪነግስ ከሎ ወዲ ዕስራ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ገዝኤ። ግናኸ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኸም ኣቦኡ ዳዊት ቅኑዕ ኣይነበረን፡ [3] ብመገዲ ነገስታት እስራኤል ደአ
ኸደ፡ ኤረ ንሱስ ከም ጽያፍ እቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዝሰጐጎም ኣህዛብ ዝበለ
ገይሩ እኳ ደአ ወዱ ብሓዊ ኣሕለፈ። [4] ኣብ በረኽትን ኣብ ኲርባታትን ኣብ ትሕቲ ኹሉ ልምሉም
ኣእዋምን ድማ ይሰውእን ይዐጥንን ነበረ። [5] ሽዑ ረጺን ንጉስ ሶርያን ጴቃሕ፡ ወዲ ረማልያ ንጉስ
እስራኤልን ንየሩሳሌም ኪዋግእዋ ደየቡ። ንኣሃዝ ድማ ከበብዎ፡ ኪስርዕዎ ግና ኣይከኣሉን። [6] በታ ጊዜ
እቲኣ ረጺን ንጉስ ሶርያ ንኤላት ናብ ሶርያ መለሳ እሞ፡ ነቶም ኣይሁድ ካብ ኤላት ሰጐጎም፡ ሶርያውያን
ከኣ ናብ ኤላት መጺኦም፡ ክሳዕ ሎሚ ኣብኣ ተቐሚጦም ኣለዉ። [7] ኣሃዝ ከኣ ናብ ቲግላትጺሌሰር ንጉስ
ኣሶር ልኡኻት ሰዲዱ፡ ኣነ ጊልያኻን ወድኻን እየ፡ ካብ ኢድ እቶም ተንሲኦምኒ ዘለዉ ንጉስ ሶርያን ንጉስ
እስራኤልን ከተድሕነኒ ደይብ፡ በሎ። [8] ኣሃዝ ድማ ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ መዝገብ ቤተ ንጉስን
እተረኽበ ብሩርን ወርቅን ወሲዱ ንንጉስ ኣሶር ገጸ በረኸት ሰደደሉ። [9] ንጉስ ኣሶር ከኣ ሰምዖ እሞ እቲ
ንጉስ ኣሶር ንደማስቆ ደዪቡ ሓዛ፡ ኣብኣ ንዝነበሩ ድማ ማሪኹ ናብ ቂር ወሰዶም፡ ንረጺንውን ቀተሎ።
[10] ንጉስ ኣሃዝ ድማ ንቲግላትጼሌሰር ንጉስ ኣሶር ኪቃባበሎ ናብ ደምስቆ ኸደ፡ ነቲ ኣብ ደማስቆ ዝነበረ
መሰውኢ ኸኣ ረአዮ። ንጉስ ኣሃዝ ድማ ምስሊ እቲ መሰውእን መልክዕ እቲ ኹሉ ስራሑን ገይሩ ንካህን
ኡርያ ሰደደሉ። [11] ካህን ኡርያ ኸኣ ከምቲ ንጉስ ኣሃዝ ካብ ደማስቆ ዝሰደደሉ ኹሉ ገይሩ ነቲ መሰውኢ
ሰርሖ። ንጉስ ኣሃዝ ካብ ደማስቆ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ካህን ኡርያ ከምኡ ገበረ። [12] እቲ ንጉስ ካብ ደማስቆ
ምስ መጸ ድማ እቲ ንጉስ ነቲ መሰውኢ ረአዮ፡ እቲ ንጉስ ናብቲ መሰውኢ ቐሪቡ ከኣ ናብኡ ደየበ። [13]

ነቲ ዚሓርር መስዋእቱን ነቲ ናይ ብልዒ መስዋእቱን ድማ ኣሕረረ፡ ናይ መስተ መስዋእቱውን ኣፍሰሰ፡
ደም እቲ ናይ ምስጋና መስዋእቱ ኸኣ ኣብ ልዕሊ እቲ መሰውኢ ነጸገ። 14 ነቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ዝነበረ መሰውኢ ኣስራዚ ድማ ካብ ቅድሚ እታ ቤት ካብ መንጎ እቲ መሰውኢኡን ቤት እግዚኣብሄርን
ወሲዱ ብወገን ሰሜን እቲ መሰውኢ ኣቐመጦ። 15 ንጉስ ኣሃዝ ድማ ንኻህን ኡርያ፡ እቲ ዚሓርር
መስዋእቲ ብጊሓትን ናይ ምሸት መስዋእቲ ብልዕን፡ ናይ ንጉስ ዚሓርር መስዋእትን ናይ ብልዒ
መስዋእቱን እቲ ዚሓርር መስዋእቲ ናይ ብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገርን ናይ ብልዒ መስዋእቶምን ናይ መስተ
መስዋእቶምን ኣብቲ ዓብዪ መሰውኢ ኣሕርሮ፡ ንዅሉ ደም እቲ ዚሓርር መስዋእትን ንዅሉ ደም እቲ
መስዋእቲ ሕሩድን ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ንጸጎ፡ ናይቲ መሰውኢ ኣስራዚ ግና እንታይ ከም ዝገብሮ ሓሳቡ
ኣባይ ይኹን፡ ኢሉ ኣዘዞ፡ 16 ካህን ኡርያ ድማ ከምቲ ንጉስ ኣሃዝ ዝኣዘዞ ኹሉ ገበረ። 17 ንጉስ ኣሃዝ ድማ
ንወሰናት እቲ መቐመጢታት ሰባቢሩ፡ ነቲ ገበራ ካብ ልዕሊኡ ኣግለሶ፡ ነቲ ባሕሪውን ካብቶም ኣብ
ትሕቲኡ ዝነበሩ ኣብዑር ኣስራዚ ኣውሪዱ፡ እምኒ ኣብ እተነጽፎ ምድሪቤት ኣንበሮ። 18 ነታ ኣብታ ቤት
ሰሪሖምዋ ዝነበሩ እተኸድነት መገዲ ሰንበት ነቲ ብወጻኢ ዝነበረ መእተዊ ንጉስን ከኣ ብምኽንያት ንጉስ
ኣሶር ናብ ቤት እግዚኣብሄር መለሶ። 19 እቲ ዝተረፈ ኣሃዝ ዝገበሮ ነገር ድማ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ
ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 20 ኣሃዝ ከኣ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ስም ኣቦታቱ ድማ ኣብ
ከተማ ዳዊት ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ህዝቅያስ ነገሰ።

## ምዕራፍ 17

1 ንኣሃዝ ንጉስ ይሁዳ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመቱ ሆሴእ ወዲ ኤላ ኣብ ሰማርያ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ነገሰ፡ ትሽዓተ ዓመት ከኣ ገዝኤ። 2 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ክፉእ ገበረ፡ ግናኸ ከምቶም
ቅድሚኡ ዝነበሩ ነገስታት እስራኤልስ ኣይኮነን። 3 ሰልመናስር ንጉስ ኣሶር ንምጽራሩ ደየበ፡ ሆሴእ ከኣ
ግዙኡ ኰይኑ ግብሪ ገበረሉ። 4 እቲ ንጉስ ኣሶር ግና ኣብ ሆሴእ ዕልወት ረኸበ፡ ንሱ ናብ ሶእ ንጉስ
ግብጺ ልኡኻት ሰዲዱ፡ ከምቲ ዓመት ንዓመት ዚገብሮ ዝነበረ፡ ንንጉስ ኣሶር ግብሪ ኣይሰደደሉን እሞ፡
እቲ ንጉስ ኣሶር ድማ ኣሲሩ ኣብ ቤት እሱራት ዐጸዎ። 5 ሽዑ እቲ ንጉስ ኣሶር ናብ ብዘላ እታ ሃገር ደየበ፡
ናብ ሰማርያ ደዪቡ ኸኣ ሰለስተ ዓመተ ከበባ። 6 ንሆሴእ ኣብ ታስዐይቲ ዓመቱ እቲ ንጉስ ኣሶር ንሰማርያ
ሐዛ፡ ንእስራኤል ድማ ናብ ኣሶር ማረኾም ኣብ ሓላሕን ኣብ ሓቦርን ኣብ ጥቓ ርባ ጐዛንን ኣብ
ከተማታት ሜዶናውያንን ኣቐመጦም። 7 ደቂ እስራኤል ከኣ ነቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘደየቦም
እግዚኣብሄር ኣምላኾም ስለ ዝበደሉ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲውን ስለ ዝፈርሁ እዩ ኸምኡ ዝኾነ። 8
ንሳቶም ብሕጋጋት እቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዝሰጐጎም ህዝብታትን በቲ ነገስታት
እስራኤል ዚገብርዎ ዝነበሩን ከዱ። 9 እወ፡ ደቂ እስራኤል ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ዘይቅኑዕ ነገር
ብሕቡእ ገበሩ። ካብ ግምቢ ዘብዔኛታት ጀሚሮም ክሳዕ እታ ዕርድቲ ኸተማ ኣብ ኵለን ከተማታቶም
ድማ በረኽቲ ሰርሑ። 10 ኣብ ኵሉ ነዋሕቲ ኹርባታትን ኣብ ትሕቲ ኹሉ ልምሉም ኣእዋምን ከኣ
ሓወልትታትን ኣስታርቴታትን ኣቘሙ። 11 ኣብኡ ድማ ከምቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚኦም ዝሰጐጎም
ህዝብታት ኣብ ኵሉ በረኽቲ ይዐጥኑ ነበሩ። ንእግዚኣብሄር ኬኹርዮዎ ድማ ክፉእ ነገር ገበሩ። 12 ነቶም
እግዚኣብሄር፡ እዚ ነገር እዚ ኣይትግበርዎ ዝበሎም፡ ነቶም ጣኦታት ኣገልገልዎም። 13 እግዚኣብሄር ግና
ንእስራኤልን ንይሁዳን ብዅሎም ነብያትን ብዅሎም ረኣይትን ገይሩ፡ ካብ ክፉእ መገድኹም ተመለሱ፡
ከምቲ ነቦታትኩም ዝኣዘዝክዎም፡ ብባሮተይ ነብያት ገይረ ድማ ዝሰደድኩልኩም ኩሉ ሕጊ ትእዛዛተይን

ሕጋጋተይን ሐልዉ፡ ኢሉ መስኪሩሎም ነበረ። 14 ንሳቶም ግና ኣይሰምዑን፡ ከም ክሳድ እቶም
ብእግዚኣብሄር ኣምላኾም ዘይኣመኑ ኣቦታቶም ደአ ኽሳዶም ኣትረሩ። 15 ንሕጋጋቱን እቲ ምስ ኣቦታቶም
ዝኣተዎ ኺዳንን ነቲ ዝመስከረሎም ምስክራትን ነዐቑ፡ ደድሕሪ ኸንቱነት ስዒቦም ከኣ ከንቱ ኾኑ፡
ደድሕሪ እቶም እግዚኣብሄር ከማታቶም ከይገብሩ ዝኣዘዞም ኣብ ዙርያኦም ዝነበሩ ህዝብታት ድማ
ሰዐቡ። 16 ንዂሉ ትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኾም ሐዲጎም ከኣ ዝፈሰሰ ምስልታት፡ ክልተ ምራኹት
ገበሩ፡ ኣስታርተውን ገበሩ፡ ንዂሎም ሰራዊት ሰማይ ድማ ሰገዱሎም፡ ንበዓልውን ኣገልገልዎ። 17
ነወዳቶምን ነዋልዶምን ከኣ ብሓዊ ኣሕለፍዎም፡ ዛዕጐል የውድቑን የማርቱን ድማ ነበሩ። ምእንቲ
ኬኹርይዎ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ንምግባር ርእሶም ሸጡ። 18 ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር
ብእስራኤል ኣዝዩ ኹረየ፡ ካብ ቅድሚኡ ድማ ኣርሐቖም። ብጀካ ነገድ ይሁዳ በይና ኻልእ ኣይተረፈን።
19 ይሁዳ ኸኣ በቲ እስራኤል ዝገበርዎ ሕጋጋት ከደ እምበር፡ ንትእዛዛት እግዚኣብሄር ኣምላኾም
ኣይሐለውዎን። 20 እግዚኣብሄር ድማ ንብዘሎ ዘርኢ እስራኤል ንዒቑ ኣዋረዶም፡ ካብ ቅድሚኡ ኽሳዕ
ዚድርብዮም ከኣ ኣብ ኢድ ማረኽቲ ኣሕሊፉ ሀቦም። 21 ንሱ ንእስራኤል ካብ ቤት ዳዊት ፈልይዎም እዩ
እሞ፡ ንሳቶም ድማ ንየሮብዓም ወዲ ናባጥ ኣንገስዎ፡ የሮብዓም ከኣ ንእስራኤል ንእግዚኣብሄር ካብ
ምስዓብ ኣርሐቖም፡ ዓብዩ ሓጢኣትውን ኣሕጥኦም። 22-23 እግዚኣብሄር ከኣ ንእስራኤል፡ ከምቲ
ብዂሎም ባሮቱ ነብያት ተዛሪብዎ ዝነበረ፡ ካብ ቅድሚኡ ኽሳዕ ዚድርብዮም፡ እስራኤል ካብ ምድሩ
ኽሳዕ ሎሚ ናብ ኣሶር ተማሪኹ ኣሎ። ደቂ እስራኤል ከኣ ብዂሉ ሓጢኣት የሮብዓም፡ በቲ ንሱ ዝገበሮ
ኸዱ፡ ካብኡ ኣየግለሱን። 24 እቲ ንጉስ ኣሶር ድማ ካብ ባቢሎንን ካብ ኩታህን ካብ ዓዋን ካብ ሓማትን
ሰፋርዋዪምን ሰባት ኣምጺኡ ኣብ ክንዲ ደቂ እስራኤል ኣብ ከተማታት ሰማርያ ኣቐመጦም። ንሰማርያ
ኸኣ ወረስዋ፡ ኣብ ከተማታታውን ተቐመጡ። 25 ኰነ ድማ፡ እቲ መጀመርታ ኣብኡ ምስ ተቐመጡ
ንእግዚኣብሄር ኣይፈርህዎን፡ ስለዚ እግዚኣብሄር ኣናብስ ሰደደሎም፡ ንሳቶም ከኣ ገለ ኻባታቶም ቀተሉ።
26 እቲ ንጉስ ኣሶር፡ እቶም ኣጒዒዝካ ኣብ ከተማታት ሰማርያ ዘቐመጥካዮም ህዝብታት ስርዓት ኣምላኽ
እታ ሃገርስ ኣይፈልጡን እዮም፡ ስለዚ ኣናብስ ሰደደሎም፡ ስርዓት ኣምላኽ እታ ሃገር ምፍላጥ ስለ
ዝሰኣኑ ኸኣ፡ እነዉ፡ ይቐትልዎም ኣለዉ፡ ኢሎም ነገርዎ። 27 ሽዑ እቲ ንጉስ ኣሶር፡ ካብቶም ካብኡ
ዝማረኽኩምዎም ካህናት ሓደ ናብኡ ስደዱ፡ ከይዶም ድማ ኣብኡ ይቀመጡ እሞ፡ ስርዓት ኣምላኽ እታ
ሃገር ይምህሮም፡ ኢሉ ኣዘዘ፡ 28 ካብቶም ካብ ሰማርያ ዝማረኽዎም ካህናት ሓደ መጺኡ ኸኣ ኣብ
ቤትኤል ተቐመጠ፡ ንሱ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ከመይ ከም ዝፈርህዎ መሀሮም። 29 ግናኸ ነፍሲ ወከፍ
ህዝቢ ኣብተን ዚቕመጥወን ከተማታት ነፍሲ ወከፍ ህዝቢ ኣማልኽቱ ገይሩ ኣብቲ ሳምራውያን ኣብ
በረኽቲ ዝሰርሕዎ ኣባይቲ ኣንበሮም።:። 30 እቶም ሰብ ባቢሎን ከኣ ሱኮትቤኖት ገበሩ፡ እቶም ሰብ ኩት
ድማ ኔርጋል ገበሩ፡ ሰብ ሓማት ከኣ ኣሲማ ገበሩ፡ 31 እቶም ዓዋውያን ድማ ኒብሓዝን ተርታቅን ገበሩ፡
እቶም ሰፋርዋውያን ከኣ ንኣድራመለክን ንዓናመለክን፡ ኣማልኽቲ ሰፋርዋዪም፡ ደቆም ብሓዊ የንድዱ
ነበሩ። 32 ንእግዚኣብሄር ድማ ይፈርህዎ ነበሩ፡ ካብ ማእከሎም ከኣ ዝዀነ ሰብ ካህናት በረኽቲ ገበሩ፡
ንሳቶም ድማ ኣብ ኣባይቲ በረኽቲ ይስውኡሎም ነበሩ። 33 ንእግዚኣብሄር ይፈርህዎ ነበሩ፡ ግናኸ፡ ከም
ስርዓት እቶም ካብኡ ዝሰደድዎም ህዝብታት፡ ንኣማልኽቶም የገልግሉ ነበሩ። 34 ክሳዕ ሎሚ ኸኣ ስርዓት
ቀደም ይገብሩ ኣለዉ፡ ንእግዚኣብሄር ኣይፈርህዎን፡ ከም ሕጋጋቶምን ከም ፍርድታቶምን ወይ ከምቲ
እግዚኣብሄርስ ንደቂ ያእቆብ፡ ንእኡ እስራኤል ኢሉ ዝሰመዮ፡ ዝኣዘዞም ሕግን ትእዛዝን ከኣ ኣይገበሩን።
35 እግዚኣብሄር ድማ ምሳታቶም ኪዳን ኣተወ፡ ከምዚ ኢሉ ኸኣ ኣዘዞም፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ
ኣይትፍርህዎምን ኣይትስገዱሎምን ኣይተገልግልዎምን ኣይትሰውኡሎምን። 36 ነቲ ብዓብዪ ሓይልን

ብዝርጉሕ ቅልጽምን ካብ ምድሪ ግብጺ ዘደየበኩም እግዚኣብሄር፡ ንእኡ ደአ ፍርህዎ፡ ንእኡ ድማ
ስገዱሉ፡ ንእኡ ኸኣ ሰውኡሉ። [37] ነቲ ዝጸሓፈልኩም ስርዓታትን ፍርድታትን ሕግን ትእዛዝን ድማ
ንሓዋሩ ኽትገብርዎ ተጠንቀቑ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ ኣይትፍርህዎም። [38] ነቲ ምሳኻትኩም
ዝኣቶኽዎ ኺዳን ከኣ ኣይትረስዕዎ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ ኣይትፍርህዎም። [39] ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ደኣ ፍርህዎ፡ ንሱ ድማ ካብ ኢድ ኲላቶም ጸላእትኹም ኬድሕነኩም እዩ። [40] ንሳቶም ግና
ከምቲ ስርዓት ቀደሞም ደአ ገበሩ እምበር፡ ኣይሰምዑን። [41] ከምኡ እዞም ህዝብታት እዚኣቶም
ንእግዚኣብሄር ይፈርህዎ ነበሩ፡ ንጣኦታቶም ከኣ የገልግልዎም ነበሩ። ኢቶም ደቆምን ደቂ ደቆምን፡
ንሳቶም ድማ ከሳዕ ሎሚ ኸምቲ ኣቦታቶም ዝገበርዎ ይገብሩ ኣለዉ።

# ምዕራፍ 18

[1] ንሆሴእ ወዲ ኤላ፡ ንጉስ እስራኤል፡ ኣብ ሳልሰይቲ ዓመቱ ኸኣ ኰነ፡ ህዝቅያስ ወዲ ኣሃዝ፡ ንጉስ
ይሁዳ፡ ነገሰ። [2] ንሱ ኺነግስ ከሎ ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዕስራን
ትሽዓተን ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ድማ ኣቢ እዩ፡ ንሳ ጓል ዘካርያስ እያ። [3] ከምቲ ኣቦኡ ዳዊት ዝገበሮ
ኵሉ፡ ንሱ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። [4] ንሱ ነቲ በረኽቲ ኣግለሶ፡ ነቲ ሓወልትታት ድማ
ሰባበሮ፡ ንኣስታርተ ኸኣ ቈረጾ፡ ነቲ ሙሴ ዝገበሮ ተመን ኣስራዚ ድማ፡ ደቂ እስራኤል ከሳዕ እቲ ዘመን
እቲ ይዕጥኑሉ ነበሩ እሞ፡ ድርቅምቅም ኣበሉ፡ ንእኡ ኸኣ ነሑሽታን ሰመዮ። [5] ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል ተኣመነ፡ ኣብቶም ድሕሪኡ ዝነበሩ ኾነ ኣብቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኣብ ኲሎም ነገስታት
ይሁዳ ኸምኡ ዝበለ ኣይነበረን። [6] ንሱስ ኣብ እግዚኣብሄር ጠበቐ፡ ካብ ምስዓቡ ኣየግለሰን፡ እቲ
እግዚኣብሄር ንሙሴ ዝኣዘዞ ትእዛዛቱውን ሐለወ። [7] እግዚኣብሄር ድማ ምስኡ ነበረ፡ ኣብ ዝወጾ ዘበለ
ቐንዓሉ። ካብ ንጉስ ኣሶር ከኣ ዐለወ እሞ ኣይተገዝኣሉን። [8] ንሱ ድማ ንፍልስጥኤማውያን ካብ ግምቢ
ዘብዔኛታት ጀሚሩ ኽሳዕ እታ ዕርድቲ ኸተማ፡ ክሳዕ ጋዛን ዶባታን ሰዐሮም። [9] ኰነ ድማ፡ ንንጉስ
ህዝቅያስ ኣብ ራብዐይቲ ዓመቱ፡ ንሆሴእ ወዲ ኤላ፡ ንጉስ እስራኤል፡ ኣብ ሳብዐይቲ ዓመቱ ሰልመናስር
ንጉስ ኣሶር ናብ ሰማርያ ደዪቡ ኸበባ። [10] ኣብ መወዳእታ እታ ሳልሰይቲ ዓመቱ፡ ንሳ ንሆሴእ ንጉስ
እስራኤል ብታስዐይቲ ዓመቱ ሰማርያ ተታሕዘት። [11] እቲ ንጉስ ኣሶር ድማ ንእስራኤል ናብ ኣሶር
ማረኾም፡ ኣብ ሓላሕን ኣብ ሓቦርን ኣብ ርባ ጐዛንን ኣብ ከተማታት ሜዶናውያንን ኣቐመጦም። [12] እዚ
ኸኣ ንቓል እግዚኣብሄር ኣምላኾም ስለ ዘይሰምዕዎ፡ ንኺዳኑ ብምፍራሶም፡ እቲ ሙሴ ባርያ
እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ኵሉ ስለ ዘይሰምዕዎን ዘይገበርዎን እዩ። [13] ንንጉስ ህዝቅያስ ኣብ መበል
ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመቱ ድማ ሰናክሪብ ንጉስ ኣሶር ናብ ኲለን እተን ዕሩዳት ከተማታት ይሁዳ ደዪቡ
ሐዘን። [14] ሽዑ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ናብ ንጉስ ኣሶር ናብ ላኪሽ ልኢኹ፡ በዲለ እየ እሞ፡ ካባይ
ተመለስ፡ እቲ እትጽዕነኒ እጸውር፡ በለ። ንጉስ ኣሶር ከኣ ኣብ ልዕሊ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ሰለስተ ሚእቲ
ታለንት ብሩርን ሰላሳ ታለንት ወርቅን ጸዐኖ። [15] ህዝቅያስ ድማ እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ
መዝገብ ቤተ ንጉስን እተረኽበ ኵሉ ገንዘብ ሀቦ። [16] በታ ጊዜ እቲኣ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ነቲ መዓጹ
መቕደስ እግዝኣብሄርን ልዳዊትን ለቢጥዎ ዝነበረ ወርቂ ህዝቅያስ ባዕሊ ቐንጢጡ ንንጉስ ኣሶር ሀቦ። [17]
እቲ ንጉስ ኣሶር ግና ንታርታንን ንራብሳርስን ንራብሳቀን ምስ ብርቱዕ ሰራዊት ገይሩ ኻብ ላኪሽ ናብ
ንጉስ ህዝቅያስ ናብ የሩሳሌም ሰደዶም። ደዪቦም ድማ ናብ የሩሳሌም መጹ፡ ደዪቦም ምስ መጹ ኸኣ፡
ኣብ ጥቓ እቲ ኣብ መገዲ ግራት ሓጻቢ ዘሎ መስኖ ላዕላይ ቀላይ ቈሙ። [18] ንንጉስ ድማ ጸውዕዎ። ሽዑ

ኤልያቂም ወዲ ሒልቂያ፡ ኣዛዝ ቤትን ሸብና ጸሓፍን ዮኣብ ወዲ ኣሳፍ ጸሓፍ ዛንታን ናባታቶም ወጹ። 19
ራብሳቀ ድማ በሎም፡ ንህዝቅያስ ግዳ በልዎ፡ እቲ ዓብዪ ንጉስ፡ ንጉስ ኣሶር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እዚ
ተኣማንካዮ ዘሎኻ እሙንቶ እዚ እንታይ እዩ፧ 20 ንስኻ፡ ንውግእ ምኽርን ሓይልን ኣሎኒ፡ ትብል ኣሎኻ፡
ግናኸ ዘረባ ኸናፍር ጥራይ እዩ። እቲ ዝዐሎኻንስ፡ ሕጂ ብመን ኣሚንካ ኢኻ፧ 21 እንሆ፡ ሕጂ ብግብጺ
በቲ ጭፍሉቕ በትሪ ሻምብቆ ንዝተመርኰሶ ሰብ ናብ ኢዱ ኣንኲሉ ዝአቱ፡ ብእኡ ተኣሚንካ ኢኻ።
ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ንዚእመንዎ ኹሎም ከምኡ እዩ። 22 ብእግዚኣብሄር ኣምላኽና ተኣሚንና ኣሎና፡
እንተ በልኩምኒ ድማ፡ ንሱ እቲ በረኽቱን መሰውኢታቱን ህዝቅያስ ዘግለሰሉን፡ ንይሁዳን ንየሩሳሌምን
ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ እዚ መሰውኢ እዚ ኣብ የሩሳሌም ስገዱ፡ ዝበለ ንሱዶ ኣይኰነን፧ 23 ሕጂ ድማ
ንጐይታይን ንጉስ ኣሶር ኰታ ተዋራረዶ እሞ፡ ንስኻ ዚውጥሕዎም ከተምጽእ እንተ ኽኢልካስ፡ ክልተ
ሽሕ ፈረስ ክህበካ እየ። 24 ከመይ ጌርካኸ ገጽ ሓደ ሓለቓ ኻብቶም ናእሽቱ ገላዉ ጐይታይ ክትመልስ
ትኽእል፧ ስለ ሰረገላታትን ፈረሰኛታትን ኢልካ ድማስ ብግብጺ ትእመን ኣሎኻ። 25 ብዘይ ፍቓድ
እግዚኣብሄርዶ ነዛ ቦታ እዚኣ ኸጥፍኣ ኢለ ደዪበ፧ እግዚኣብሄር ደአ፡ ነዛ ሃገር ደዪብካ ኣጥፍኣያ፡ ኢሉኒ
እዩ። 26 ሽው ኤልያቂም ወዲ ሒልቂያን ሸብናን ዮኣህን ንራብሳቀ፡ ንሕና ንሰምዖ ኢና እሞ፡ ንገላውኻ
ብኣራማይስጢ ኹታ ተዛረበና፡ ግናኸ እዚ ኣብ መካበብያ ዘሎ ህዝቢ እናሰምዔ ብዘረባ ኣይሁድ
ኣይትዛረበና፡ በልዎ። 27 ራብሳቀ ግና፡ ጐይታይ እዚ ነገር እዚ ንጐይታኻን ንኣኻን ክነግረኩምዶ እዩ
ዝለአኸኒ፧ ናብቶም ኣብ መካበብያ ተቐሚጦም ዘለዉ እሞ፡ ምሳኻትኩም ከይኖም ሓርኦም ኪበልዑን
ሽንቶም ኪሰትዩን ዘለዎም ሰባትዶ ኣይኰነን፧ በሎም። 28 ሽው ራብሳቀ ደው ኢሉ ብዘረባ ኣይሁድ ከኣ
ዓው ኢሉ ጨደረ፡ ከምዚ ኢሉ ድማ ተዛረበ፡ ዘረባ እቲ ዓብዪ ንጉስ፡ ናይቲ ንጉስ ኣሶር ስምዑ። 29 እቲ
ንጉስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ህይዝቅያስ ካብ ኢደይ ኬድሕነኩም ኣይኽእልን እዩ እሞ፡ ንሱ ኣየዐሹኹም።
30 ህዝቅያስ ድማ፡ እግዚኣብሄር ብርግጽ ኬድሕነና እዩ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ኸኣ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሶር
ኣይትውሀብን እያ፡ ኢሉ ብእግዚኣብሄር ኣየእምንኩም። 31 ንህዝቅያስ ኣይትስምዕዎ፡ እቲ ንጉስ ኣሶር
ከምዚ ይብል ኣሎ እሞ፡ ምሳይ ተዐረቑ፡ ናባይ ውጹ፡ ነፍሲ ወከፍ ወይኒ ነፍሲ ወከፍ ድማ በለሱ
ይብላዕ፡ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ካብ ማይ ዔላኡ ይስተ። 32 ምእንቲ ኽትነብሩ እምበር፡ ከይትሞቱስ፡ መጺኤ
ሃገርኩም ናብ እትመስል ሃገር፡ ናብ ሃገር እኽልን ኰልዒ ወይንን ናብ ሃገር እንጌራን ኣታኽልቲ ወይንን፡
ናብ ሃገር ዘይትን መዓርን ክሳዕ ዝወስደኩም፡ ንህዝቅያስ፡ እግዚኣብሄር ኬድሕነና እዩ፡ እናበለ
ኺጥብረኩም ከሎ፡ ኣይትስምዕዎ። 33 ካብቶም ኣማልኽቲ ኣህዛብከ ሃገሩ ኻብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ዘድሐነዶ
ኣሎ፧ 34 ኣማልኽቲ ሓማትን ኣርጳድን ኣበይ ኣለዉ፧ ኣማልኽቲ ሰፋርዋዪምን ናይ ሄናዕን ናይ ዒዋንከ
ኣበይ ኣለዉ፧ ንሰማርያዶ ካብ ኢደይ ኣድሒኖምዋ እዮም፧ 35 እግዚኣብሄር ንየሩሳሌም ካብ ኢደይ
ኬድሕናስ፡ ካብ ኲሎም ኣማልኽቲ ሃገራት ንሃገሮም ካብ ኢደይ ዘድሐኑ ኣየኖት እዮም፧ 36 እቲ ንጉስ፡
ኣይትምለሱሉ፡ ኢሉ ኣዚዙ ነበረ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ስቕ በሉ፡ ገለ ቓል እኳ ኣይመለሱሉን። 37
ኤልያቂም ወዲ ሒልቂያ፡ ኣዛዝ ቤትን ሸብና ጸሓፍን ዮኣህ ወዲ ኣሳፍ፡ ጸሓፍ ዛንታን ክዳውንቶም
ቀዲዶም ናብ ህዝቅያስ መጹ እሞ ዘረባ ራብሳቀ ነገርዎ።

## ምዕራፍ 19

1 ኰነ ድማ፡ ንጉስ ህዝቅያስ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ክዳኑ ቐዲዱ፡ ከሊ ተኸዲኑ ናብ ቤት እግዚኣብሄር
ኣተወ። 2 ንኤልያቂም ኣዛዝ ቤትን ንሸብና እቲ ጸሓፍን ካብ ካህናትውን ዓበይቲ ገይሩ፡ ከሊ ተኸዲኖም

ናብ ነብዩ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ሰደዶም። 3 ንሳቶም ድማ በልዎ፡ ህዝቅያስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እዛ
መዓልቲ እዚኣ መዓልቲ ጸበባን ቅጽዓትን ነውርን እያ፡ ሕጻናት ናብ ምውላድ በጺሖም ነይሮም፡
ንምውላድ ግና ሓይሊ ተሳእነ። 4 ምናልባሽ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኹሉ ዘረባ ራብሳቀ፡ እቲ ጐይታኡ
ንጉስ ኣሶር ነቲ ህያው ኣምላኽ ኪጸርፎ ኢሉ ዝለኣኾ ሰሚዕዎ እዩ እሞ፡ በቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ዝሰምዖ ዘረባ ኪቐጽዖ እዩ። እምበኣርሲ ምእንቲ እዚ ገና ተሪፉ ዘሎ ትርፎፍያ ጸሎት ኣዕርግ። 5 እቶም
ገላዉ ንጉስ ህዝቅያስ ከኣ ናብ ኢሳይያስ መጹ። 6 ኢሳይያስ ድማ በሎም፡ ንጐይታኹም ከምዚ በልዎ፡
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በቲ ገላዉ ንጉስ ኣሶር ኪጸርፉኒ ዝሰማዕካዮም ቃላት ኣይትፍራህ። 7
እንሆ፡ ኣነ መንፈስ ክህቦ እየ፡ ወረ ሰሚዑ ኸኣ ናብ ሃገሩ ኺምለስ እዩ፡ ኣብ ሃገሩ ድማ ብሴፍ ከውድቖ
እየ። 8 ራብሳቀ ኸኣ ተመልሰ፡ ንሱ እቲ ንጉስ ኣሶር ካብ ላኪሽ ከም ዝነቐለ ሰሚዑ ነበረ እሞ፡ ንሊብና
ኺዋግኣ ኸሎ ረኸቦ። 9 ንሱ ግና ብዛዕባ ቲርሃቃህ ንጉስ ኢትዮጵያ፡ እንሆ፡ ኪወግኣካ ወጺኡ ኣሎ፡
ኪብሉ ምስ ሰምዔ፡ መሊሱ ናብ ህዝቅያስ ከምዚ ኢሉ ልኡኻት ሰደደ፡ 10 ንህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ኸምዚ
በልዎ፡ እዚ ንስኻ እትእመኖ ዘሎኻ ኣምላኽካ፡ የሩሳሌምስ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ኣይትውሀብን እያ፡
ኢሉ ኣየዐሹኻ። 11 እቶም ነገስታት ኣሶር ንኹለን ሃገራት ዝገበርወን፡ ከመይ ገይሮም ከም ዘጥፍእወን፡
እንሆ፡ ሰሚዕካዮ ኣሎኻ፡ ንስኻኸ ትድሕንዶ፧ 12 እቶም ኣማልኽቲ ኣህዛብሲ ነቶም ኣቦታተይ
ዘጥፍእዎም፡ ንጐዛንን ንሓራንን ንሬጸፍን ነቶም ኣብ ተላሳር ዝነበሩ ደቂ ዔደንን ኣድሒንዎምዶ፧ 13 ንጉስ
ሓማትን ንጉስ ኣርጳድን ንጉስ ከተማ ሰፈርዋዪምን ናይ ሄናን ናይ ዒዋን ድማ ኣበይ ኣለዉ፧ 14 ህዝቅያስ
ከኣ ነታ ደብዳበ ኻብ ኢድ እቶም ልኡኻት ተቐቢሉ ኣንበባ። ህዝቅያስ ከኣ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደዪቡ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘርግሓ። 15 ህዝቅያስ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ጸለየ፡ ኣታ
ኣብ ኪሩቤል እትቕመጥ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ እቲ ኣምላኽ ኲለን መንግስትታት ምድሪ
ንስኻ በይንኻ ኢኻ፡ ንሰማይን ንምድርን ንስኻ ገበርካዮ። 16 ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣእዛንካ ኣድንን እሞ
ስማዕ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣዒንትኻ ቓሕ ኣቢልካ ድማ ርአ። ነቲ ንህያው ኣምላኽ ኪጸርፍ ኢሉ ዝለኣኾ
ዘረባ ሰናክሪብ ከኣ ስምዓዮ። 17 ኣታ እግዚኣብሄር፡ እቶም ነገስታት ኣሶር ነቶም ህዝብታትን ንሃገሮምን
ከም ዘባደሙ ሓቂ እዩ። 18 ንኣማልኽቶምውን ናብ ሓዊ ደርበይዎም። ንሳቶም ካብ ዕጨ እምኒ ብኢድ
ሰብ ኣተገብሩ እዮም እምበር፡ ኣማልኽትስ ኣይኰኑን፡ ስለዚ ኣጥፍእዎም። 19 ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽና፡ ኲለን መንግስትታት ምድሪ ንስኻ እግዚኣብሄር በይንኻ ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ምእንቲ
ኺፈልጣስ፡ ንልምነካ ኣሎና፡ ካብ ኢዱ ኣድሕነና። 20 ሽዑ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ናብ ህዝቅያስ ከምዚ
ኢሉ ለኣኸ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነቲ ብዛዕባ ሰናክሪብ ንጉስ ኣሶር
ዝለመንካኒ፡ ሰሚዔዮ ኣሎኹ። 21 እቲ እግዚኣብሄር ብዛዕባኡ እተዛረቦ ቓል እዚ እዩ፡ እታ ድንግል ጓል
ጽዮን ነዐቕትካን ኣባጨወትካን፡ እታ ጓል የሩሳሌም ድሕሬኻ ኹይና ርእሳ ነቕነቐትልካ። 22 ዝጸረፍካዮን
ዘላገጽካሉን ንመን ኢኻ፧ ድምጽኻ ዓው ዘበልካ፡ ኣዒንትኻውን ቋሕ ዘበልካሉ፡ ናብ መን ኢኻ፧ ናብቲ
ናይ እስራኤል ቅዱስ ኢኻ። 23 ብልኡኻትካ ጌርካ ንጐይታ ኸምዚ ኢልካ ጸረፍካዮ፡ ኣነ ብብዝሒ
ሰረገላይ ናብ ርእሲ ኣኽራን፡ ናብ ማእከል ሊባኖስ ደየብኩ፡ ነቲ ነዋሕቲ ቄድሮሱን ነቲ ሕሩይ
ጽሕድታቱን ከኣ ቈረጽኩ፡ ናብቲ ዝረሐቐ መሕደሪኡ፡ ናብቲ ፈራዪ ዱር ድማ ኣቶኹ፡ 24 ኣኒ ኹዒተ ጋሻ
ማያት ሰቴኹ፡ ንኹሉ ርባታት ግብጺ ኸኣ ብኸብዲ እግረይ ኣንቀጽክዎ። 25 ነዚ ኻብ ጥንቲ ኸም
ዝገበርክዎ፡ ካብ ቀደም ዘመን ድማ ከም ዝፈጠርክዎዶ ኣይሰማዕካን ኢኻ፧ ሕጂ ንዕሩዳት ከተማታት
ኲምራ ዑናታት ጌርካ ኸተባድመን ኣምጻእኩኻ። 26 ስለዚ እቶም ዚነብርወን ሓይሊ ሰኣኑ፡ ተሸበሩን
ሐፈሩን። ከም ሳዕሪ መሮርን ከም ልምሉም ሓምልን ከም ድርቃ ናሕስን ከይሰወተ ኸም ዝሀጐጐ

እኽልን ኰኑ። 27 ኣነ ግና ምቕማጥካን ምውጻእካን ምእታውካን፡ ንኣይ ምዅራይካውን እፈልጥ ኣሎኹ።
28 ስለ ዝዅሬኻለይ፡ ትዕቢትካውን ናብ ኣእዛነይ ስለ ዝደየበ፡ ሰንቀይ ኣብ ኣፍንጫኻ፡ ልጓመይውን ኣብ
ከናፍርካ ኽገብረልካ እየ፡ በታ ዝመጻእካለይ መገዲ ድማ ክመልሰካ እየ። 29 ንኣኻ ግና እዚ ምልክት
ይኹንካ፡ በዛ ዓመት እዚኣ ባዕሉ ዝበቘለ፡ ብኻልኣይቲ ዓመት ከኣ ባልጋ ኽትበልዑ ኢኹም። በታ
ሳልሰይቲ ዓመት ግና ክትዘርኡን ክትዕጽዱን፡ ወይኒ ተኺልኩም ድማ ፍሬኡ ኽትበልዑ ኢኹም። 30
እቶም ካብ ቤት ይሁዳ ድሒኖም ዝተረፉ ድማ መሊሶም ንታሕቲ ሱር ኪሰዱ ኣብ ላዕሊ ኸኣ ኪፈርዩ
እዮም። 31 ካብ የሩሳሌም ተረፍ፡ ካብ ከረን ጽዮን ድማ ዝደሐነ ኺወጽእ እዩ እሞ፡ ነዚ ከኣ ቅንኣት
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኪገብሮ እዩ። 32 ስለዚ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ንጉስ ኣሶር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
ንሱ ነዛ ኸተማ እዚኣ ኣይኣትዋን እዩ፡ ኣብኣ ድማ ፍላጻ ኣይውርውርን፡ ዋልታውን ኣይምክተላን፡
ድልድል ከኣ ኣይኹምረላን። 33 በታ ዝመጸላ መገዲ ይምለስ እምበር፡ ነዛ ኸተማ እዚኣስ ኣይኣትዋን እዩ፡
ይብል እግዚኣብሄር። 34 ኣነ ድማ ነዛ ኸተማ እዚኣ ምእንታይን ምእንቲ ዳዊት ባርያይን ኢለ ኽከላኸለላን
ከድሕናን እየ። 35 ኰነ ድማ፡ በታ ለይቲ እቲኣ መልኣኽ እግዚኣብሄር ወጺ እሞ፡ ኣብ ሰፈር ኣሶራውያን
ሚእትን ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ቀተለ። ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኲላቶም
ምውታት ሬሳታት ኰይኖም ጸንሑ። 36 ሽዑ ሰናክሪብ ንጉስ ኣሶር ተንሲኡ ኸደ፡ ተመሊሱ ድማ ኣብ
ነነዌ ተቐመጠ። 37 ኰነ ኸኣ፡ ንሱ ኣብ ቤት ኒስሮክ ኣምላኹ ኺሰግድ ከሎ፡ ደቁ ኣድራመለክን ሻሬጸርን
ብሴፍ ቀተልዎ። ንሳቶም ድማ ናብ ሃገር ኣራራት ሀደሙ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ኤሳርሓዶን ነገሰ።

## ምዕራፍ 20

1 በቲ ጊዜ እቲ ህዝቅያስ ንሞት ሐመመ። ነብዪ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ድማ ናብኡ መጺኡ በሎ፡
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንስኻ ትመውት እምበር፡ ኣይትሐውን ኢኻ እሞ፡ ቤትካ ኣስተናብር።
2-3 ሽዑ ገጹ ናብ መንደቕ መሊሱ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ ኣብ ቅድሜኻ ብሓቅን ብፍጹም
ልብን ከም እተመላለስኩን፡ ኣብ ቅድሜኻ ኸኣ ጽቡቕ ከም ዝገበርኩን ዘክር፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር
ጸለየ፡ ህዝቅያስ ብርቱዕ ብኽያትውን በኸየ። 4 ኰነ ኸኣ፡ ኢሳይያስ ገና ናብ ማእከል እታ ኸተማ ኺይወጸ
ኸሎ፡ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጾ፡ 5 ተመለስ እሞ ንህዝቅያስ፡ ነቲ መስፍን ህዝበይ፡ በሎ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦኻ ዳዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ጸሎትካ ሰሚዔ፡ ንብዓትካ ርእየ፡ እኔኹ፡
ከሕውየካ እየ፡ በታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ክትድይብ ኢኻ። 6 ኣብ ልዕሊ
ዕድሜኻውን ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ወሲኸልካ ኣሎኹ፡ ንኣኻን ነዛ ኸተማ እዚኣን ከኣ ካብ ኢድ
ንጉስ ኣሶር ከድሕነኩም እየ፡ ነዛ ኸተማ እዚኣ ምእንታይን ምእንቲ ዳዊት ባርያይን ኢለ ኽከላኸለላ እየ።
7 ኢሳይያስ ድማ፡ ጕነ በለስ ኣምጽኡለይ፡ በለ። ኣምጺኦም ከኣ ኣብቲ ቍስሊ ገበሩሉ እሞ፡ ሐወየ። 8
ህዝቅያስ ድማ ንኢሳይያስ፡ እግዚኣብሄር ከም ዘሕወየንን፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ ናብ ቤት
እግዚኣብሄር ከም ዝድይብከ፡ ምልክቱ እንታይ እዩ፧ በሎ። 9 ኢሳይያስ ድማ፡ እግዚኣብሄርስ ነቲ
እተዛረቦ ዘረባ ኸም ዚፍጽሞ፡ እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ምልክት እዚ እዩ፧ እዚ ጽላሎት ዓሰርተ
ስጕሚ ንቕድሚትዶ ይኺድ ወይስ ዓሰርተ ስጕሚ ይመለስ፧ በለ። 10 ህዝቅያስ ከኣ፡ ጽላሎት ዓሰርተ
ስጕሚ ንቕድሚት ምኻድሲ ቐሊል እዩ፡ ኣይፋል፡ እቲ ጽላሎት ንድሕሪት ደኣ ዓሰርተ ስጕሚ ይመለስ፡
በለ። 11 ነብዪ ኢሳይያስ ድማ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለለ፡ ነቲ ጽላሎት ከኣ ኣብ ዓሰርተ ስጕሚ
ንድሕሪት መለሶ። 12 በቲ ጊዜ እቲ በሮዳክባላዳን ወዲ ባላዳን፡ ንጉስ ባቢሎን፡ ህዝቅያስ ከም ዝሐመመ

ሰሚዑ ነበረ እሞ፡ ንህዝቅያስ ደብዳበን ገጽ በረኸትን ሰደደሉ። 13 ህዝቅያስ ከኣ ሰምዖም፡ ብዘላ ቤት
ናይቲ ኸቡር ኣቓሑኡ ብሩርን ወርቅን ጥዑም ጨናታትን ጽቡቕ ዘይትን ኲሉ ቤት ኣቓሑኡን ኣብ
መዛግብቱ እተረኸበ ዅሉን ድማ ኣርአዮም። ኣብ ቤቱ ዅነ ኣብ ብዘላ ግዝኣቱ ህዝቅያስ ዘየርአዮም ነገር
ኣይነበረን። 14 ሽዑ ነብዪ ኢሳይያስ ናብ ንጉስ ህዝቅያስ መጺኡ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም እንታይ
ኢሎምኻ፧ ካበይከ መጺኦምኻ፧ በሎ። ህዝቅያስ ድማ፡ ካብ ርሑቕ ሃገር፡ ካብ ባቢሎን ዝመጹ እዮም፡
በለ። 15 ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ቤትካኸ እንታይ ረአዩ፧ በለ። ህዝቅያስ ድማ፡ ኣብ ቤተይ ዘሎ ዅሉ ርእዮምዎ፡
ኣብ መዛግብተይ ዘየርኤኹዎም ነገር የልቦን፡ በለ። 16 ኢሳይያስ ድማ ንህዝቅያስ በሎ፡ ቃል እግዚኣብሄር
ስማዕ፡ 17 እዚ ኣብ ቤትካ ዘሎ ዅሉን፡ ኣቦታትካውን ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ዝደለብዎን ናብ ባቢሎን
ዚውሰደሉ፡ እንሆ፡ መዓልትታት ይመጻ ኣለዋ፡ ገለ ነገር እኳ ኣይተርፍን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 18 ካብ
ደቅኻ ድማ፡ ካብቶም ካባኻ ዝወጹ ካብቶም ዝወለድካዮም ኪወስዱ እዮም፡ ኣብ ኣደራሽ ንጉስ ባቢሎን
ከኣ ስሉባት ኪዀኑ እዮም። 19 ህዝቅያስ ድማ ንኢሳይያስ፡ እዚ እተዛረብካዮ ቓል እግዚኣብሄር ጽቡቕ
እዩ፡ በሎ። ወሲኹ ኸኣ፡ ከምኡ ደይኰነን፧ ብዘመነይሲ ሰላምን ህድኣትን ደኣ እንተ ዚህሉ፡ በለ። 20
እቲ ዝተረፈ ናይ ህዝቅያስ ነገርን ኲሉ ጅግንነቱን፡ ሓጽብን መስኖን ከም ዝገበረን፡ ናብ ከተማ ኸኣ ማይ
ከም ዘእተወ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 21 ህዝቅያስ ድማ ምስ
ኣቦታቱ ደቀሰ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ምናሴ ነገሰ።

## ምዕራፍ 21

1 ምናሴ ኺነግስ ከሎ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሓምሳን ሓሙሽተን ዓመት
ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ድማ ሔፍጺባ እዩ። 2 ንሱ ኸኣ፡ ከም ናይቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ
እስራኤል ዝሰጐጎ ህዝብታት ዝበለ ጽያፍ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ነበረ። 3 ንሱ ድማ ነቲ ኣቦኡ
ህዝቅያስ ዘፍረሶ በረኽት መሊሱ ሰርሖ፡ ንበዓል ከኣ መሰውኢታት ኣቘመ፡ ከምቲ ኣክኣብ ንጉስ
እስራኤል ዝገበሮ ድማ ኣስታርተ ገበረ፡ ንብዘለዉ ሰራዊት ሰማይ ከኣ ሰገደሎምን ኣገልገሎምን። 4
ኣብታ እግዚኣብሄር ብዛዕባኣ፡ ስመይ ኣብ የሩሳሌም ከንብር እየ፡ ዝበለ፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር እኳ
መሰውኢታት ሰርሔ። 5 ንብዘለዉ ሰራዊት ሰማይ ድማ ኣብ ውሽጢ ኽልቲኡ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር
መሰውኢታት ሰርሓሎም። 6 ንወዱ ኸኣ ብሓዊ ኣሕለፎ፡ ብደበናን ብተመንን ገይሩ ድማ ይጥንቍል
ነበረ፡ መናፍስቲ ዚሐቱን መንፈስ ጥንቈላ ዘለዎምን ከኣ ገበረ። ምእንቲ ኬቝርዮስ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ብዙሕ ክፉእ ገበረ። 7 ነቲ ዝገበሮ ምስሊ ኣስታርተ ድማ ኣብታ ቤት ኣንበሮ። ብዛዕባ እታ
ቤት ግና እግዚኣብሄር ንዳዊትን ንወዱ ሰሎሞንን በሎም፡ ኣብዛ ቤት እዚኣን ኣብዛ ኻብ ኲሎም ነገዳት
እስራኤል ዝሐረኽዋ የሩሳሌምን ስመይ ንዘለኣለም ከንብር እየ፡ 8 ሓንትስ ከምቲ ዅሉ ዝኣዘዝክዎምን
ከምቲ ባርያይ ሙሴ ዝኣዘዞም ኲሉ ሕግን ከኣ ንምግባሩ እንተ ተጠንቀቑሉ፡ ሽዑ ንእግሪ እስራኤል ከኣ
ካብታ ነቦታቶም ዝሀብክዎም ምድሪ መሊሰ ኣየግዕዝን እየ። 9 ንሳቶም ግና ኣይሰምዑን። ምናሴ ድማ
ካብ ናይቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዘጥፍኦም ህዝብታት ዝኸፍኤ ኺገብሩ
ኣስሐቶም። 10 ሽዑ እግዚኣብሄር ብባሮቱ ነብያት ገይሩ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ 11 ምናሴ ንጉስ ይሁዳ እዚ
ጽያፋት እዚ ስለ ዝገበረን፡ ካብቲ እቶም ቅድሚኡ ዝነበሩ ኣሞራውያን ዝገበርዎ ዚኸፍእ ስለ ዝገበረን፡
ንይሁዳ ድማ ብጣኦታቱ ስለ ዘሕጥኦም፡ 12 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡
እንሆ፡ ንዝሰምዖ ዘበለ ኣብ ክልቲኤን እዝኑ ዱድ ክሳዕ ዚብሎ፡ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌምን ይሁዳን ክፉእ

ነገር ከምጽእ እየ። 13 እቲ ገመድ ሰማርያን እቲ ሚዛን ቤት ኣከኣብን ድማ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም ክዝርግሖ
እየ፡ ጻሕሊ ኸም ዚሕጸብ፡ ሐጺብካ ብኣፉ ኸም ኣትደፍኦ፡ ንየሩሳሌም ድማ ክሐጽባ እየ። 14 ነቲ ተረፍ
ርስተይ ከኣ ክጥንጥኖ እየ፡ ኣብ ኢድ ጸላእቶም ድማ ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ፡ ንሳቶም ከኣ ኣብ ኲሎም
ጸላእቶም ንምርኮን ንምብዝባዝን ኪኾኑ እዮም። 15 እዚ ኸኣ ኣብ ቅድመይ ክፉእ ስለ ዝገበሩን፡ ካብታ
ኣቦታቶም ካብ ግብጺ ዝወጹላ መዓልቲ ጀሚሮም ክሳዕ ሎሚ መዓልቲ ስለ ዘኹረዩንን እዩ። 16 ምናሴ
ድማ ብጀካ እቲ ሓጢኣቱ ብእኡ ንይሁዳ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ንምግባር ዘሕጥኤ፡ ወሲኹ
ኸኣ ክሳዕ ንየሩሳሌም ካብ ወሰን ክሳዕ ወሰን ዚመልኣ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ንጹህ ደም ኣፍሰሰ። 17 እቲ ዝተረፈ
ናይ ምናሴ ነገርን ኲሉ ዝገበሮን ነቲ ዝገበሮ ሓጢኣትን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት
ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 18 ምናሴ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ እሞ ኣብ ኣታኽልቲ ቤቱ ኣብ ኣታኽልቲ
ዑዛ ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ኣሞን ነገሰ። 19 ኣሞን ኪነግስ ከሎ ወዲ ዕስራን ክልተን ዓመት
ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ክልተ ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ድማ መሹለመት እዩ፡ ንሳ ጓል ሓሩጽ ብዓል
ዮጣባ እያ። 20 ንሱ ኸኣ፡ ከምቲ ኣቦኡ ምናሴ ዝገበሮ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 21 በቲ
ኹሉ ኣቦኡ ዝኸዶ መገዲ ድማ ኸደ፡ ነቶም ኣቦኡ ዘገልገሎም ጣኦታት ከኣ ኣገልገሎምን ሰገደሎምን። 22
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቱ ሐደጎ፡ በመገዲ እግዚኣብሄርውን ኣይከደን። 23 ገላዉ ኣሞን ድማ
ተማሓሐሉሉ እሞ ነቲ ንጉስ ኣብ ቤቱ ቐተልዎ። 24 ህዝቢ እታ ሃገር ግና ነቶም ንንጉስ ኣሞን
እተማሓሓሉሉ ኹሎም ቀተሎም። እቲ ህዝቢ እታ ሃገር ከኣ ኣብ ክንዳኡ ንወዱ ዮስያስ ኣንገሰ። 25 እቲ
ዝተረፈ ኣሞን ዝገበሮ ነገር ድማ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 26
ኣብ መቓብሩ ኣብ ኣታኽልቲ ዑዛ ድማ ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ዮስያስ ነገሰ።

## ምዕራፍ 22

1 ዮስያስ ኪነግስ ከሎ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሰላሳን ሓደን ዓመት ገዝኤ። ስም
ኣዲኡ ድማ የዲዳ እዩ፡ ንሳ ጓል ዓዳይ ብዓል ቦጽቃት እያ። 2 ንሱ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ
ገበረ፡ ብኹሉ መገዲ ኣቦኡ ዳዊት ከደ፡ ንየማን ኰነ ንጸጋም ኣየግለሰን። 3 ኰነ ድማ፡ ንንጉስ ዮስያስ ኣብ
መበል ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመቱ እቲ ንጉስ ንሻፉን ጸሓፊ፡ ወዲ ኣጻልያ ወዲ መሹለም፡ ናብ ቤት
እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ለኣኾ፡ 4 ናብቲ ሊቀ ኻህናት ናብ ሒልቂያ ደይብ እሞ ነቲ እቶም ሓለውቲ ደገ
ኻብቲ ህዝቢ ዝኣከብዎ፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ዝኣተወ ገንዘብ ኪእክቦ ኣዝዞ። 5 ነቶም ዕዮ ዜዕይዩ
ዋናታት ቤት እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢዶም ይሀብዎም፡ ንሳቶም ከኣ ነቶም ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ነቲ
ነቓዕ እታ ቤት ኪጽግኑ ዚዐዩ ዓየይቲ፡ 6 ንጸረብትን ንህነጽትን ንነደቕትን፡ ንምጽጋን እታ ቤት ዚኸውን
ኣእዋምን ውቑር እምንን ዚዕደጉሉ ገንዘብ ይሀብዎም። 7 ግናኸ ብእምነት እዮም ዚገብርዎ እሞ፡ ነቲ ኣብ
ኢዶም እተዋህበ ገንዘብ ኣይጸባጸብዎም። 8 ሊቀ ኻህናት ሒልቂያ ኸኣ ንሻፉን እቲ ጸሓፊ፡ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር መጽሓፍ ሕጊ ረኺበ፡ በሎ። ሒልቂያ ድማ እቲ መጽሓፍ ንሻፉን ሀቦ፡ ንሱ ኸኣ ኣንበቦ። 9
ሻፉን እቲ ጸሓፊ ድማ ናብ ንጉስ ኣትዩ፡ እቶም ገላዉኻ ነቲ ኣብታ ቤት እተረኽበ ገንዘብ ገልቢጦም
ነቶም ዕዮ ዜዕይዩ ዋናታት ቤት እግዚኣብሄር ኣብ ኢዶም ሀብዎም፡ ኢሉ ነቲ ንጉስ እቲ ነገር መለሰሉ።
10 ሻፉን እቲ ጸሓፊ ድማ ንንጉስ፡ ሊቀ ኻህናት ሒልቂያ መጽሓፍ ሂቡኒ፡ ኢሉ ነገሮ። ሻፉን ከኣ ኣብ
ቅድሚ ንጉስ ኣንበቦ። 11 ኰነ ድማ፡ እቲ ንጉስ ቃላት እቲ መጽሓፍ ሕጊ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ።
12 እቲ ንጉስ ከኣ ንኻህን ሒልቂያን ንኣሒቃም ወዲ ሻፉንን ንዓክቦር ወዲ ሚካያን ንሻፉን እቲ ጸሓፍን

ንዓሳያ ጊልያ ንጉስን፡ 13 ኣቦታትና ንቓላት እዚ መጽሓፍ እዚ ኸምቲ ኹሉ ንኣና እተጻሕፈ ኺገብርዎ
ኢሎም ስለ ዘይሰምዕዎ፡ እቲ ኣባና ተቓጺሉ ዘሎ ኹራ እግዚኣብሄር ዓብዩ እዩ እሞ፡ ኢሉ ብናይ እዚ
እተረኽበ መጽሓፍ እዚ ነገር ምእንታይን ምእንቲ ህዝብን ምእንቲ ኹሉ ይሁዳን ንእግዚኣብሄር
ሕተትዎ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 14 ሽዑ ኻህን ሒልቂያን ኣሒቃምን ዓክቦርን ሻፋንን ዓሳያን ናብ ነብዩት
ሑልዳ፡ ሰበይቲ ሻሎም ሓላው ክዳውንቲ፡ ከዱ፡ ንሱ ወዲ ጢቅዋ ወዲ ሓርሓስ እዩ። ንሳ ድማ ኣብ
የሩሳሌምስ ኣብታ ኻልኣይቲ ኽፍሊ ትቕመጥ ነበረት። ንእኣ ድማ ተዛረብዋ። 15 ንሳ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በሎቶም፡ ነቲ ናባይ ዝለኣኸኩም ሰብኣይ በልዎ፡ 16 እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኩሉ ቓላት እቲ መጽሓፍ፡ እቲ ንጉስ ይሁዳ ዘንበቦ፡ እንሆ፡ ናብዛ ቦታ እዚኣን
ናብቶም ዚነብርዋ ዘለዉን እቲ ኽፉእ ከምጽእ እየ። 17 ብኹሉ ግብሪ ኣእዳዎም ምእንቲ ኬቘጥዑንስ፡
ንኣይ ሓዲጎም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ስለ ዝዐጠኑ፡ ናብዛ ቦታ እዚኣ ኹራይ ኪቃጸል እዩ፡ ኣይጠፍእን
ከኣ። 18 ነቲ ንእግዚኣብሄር ክትሐቱ ኢሉ ዘለኣኸኩም ንጉስ ይሁዳ ግና ከምዚ በልዎ፡ ብዛዕባ እቲ
ዝሰማዕካዮ ነገር እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 19 ብዛዕባ እዛ ቦታ እዚኣን ብዛዕባ
እቶም ዚነብርዋን ንመደነቕን ንመራገምን ኪኾኑ እዮም ኢለ እተዛረብክዎም ምስ ሰማዕካ ልብኻ ስለ
ዝለስለሰ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ድማ ትሕት ስለ ዝበልካ፡ ክዳንካ ቐዲድካ ኸኣ ኣብ ቅድመይ ስለ
ዝበኼኻ፡ ኣነ ድማ ሰሚዔካ ኣሎኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 20 ስለዚ እንሆ፡ ናብ ኣቦታትካ ኽእክበካ እየ፡
ናብ መቓብርካ ኸኣ ብሰላም ክትእከብ ኢኻ፡ ነቲ ኣነ ናብዛ ቦታ እዚኣ ዘምጽኦ ኹሉ ኽፉእ ኣዒንትኻ
ኣይርእያኦን እየን። ንሳቶም ድማ ነቲ ነገር ናብ ንጉስ መለስዎ።

## ምዕራፍ 23

1 ሽዑ እቲ ንጉስ ልኢኻት ሰደደ፡ ንኹሎም ዓበይቲ ይሁዳን የሩሳሌምን ድማ ናብኡ ኣከብዎም። 2 እቲ
ንጉስን ምስኡ ኸኣ ኩሎም ሰብ ይሁዳን ኩሎም ኣብ የሩሳሌምን ዚነብሩን ካህናትን ነብያትን ብዘሎ
ህዝቢ ድማ ካብ ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብዩ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደየቡ። ንኹሉ ቓላት እቲ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር እተረኽበ መጽሓፍ ኪዳን ኣንቢቡ ኣስምዖም። 3 እቲ ንጉስ ድማ ኣብቲ ዓንዲ ደው ኢሉ፡
ብኹሉ ልቦምን ብኹሉ ነፍሶምን ደድሕሪ እግዚኣብሄር ኪኸዱን ትእዛዛቱን ምስክራቱን ሕጋጋቱን
ኪሕልዉን፡ ነቲ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ ቓላት እዚ ኺዳን እዚ ኸኣ ኬቐውሙ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኪዳን ኣቘመ። ብዘሎ እቲ ህዝቢውን ኣብቲ ኺዳን ቈመ። 4 እቲ ንጉስ ድማ ንሊቀ ኻህናት
ሒልቂያን ነቶም ብትሕቲኡ ዘለዉ ኻህናትን ነቶም ሓለውቲ ደገን ነቲ ንበዓልን ንኣስታርተን ንብዘለው
ሰራዊት ሰማይን ኪኸውን እተሰርሔ ኹሉ ኣቓሑ ኻብ መቕደስ እግዚኣብሄር ኬውጽእዎ ኣዘዞም፡ ኣብ
ወጻኢ የሩሳሌም ኣብ ግርሁ ቄድሮን ከኣ ኣንደዶ፡ ነቲ ሓሙኹስቱውን ናብ ቤትኤል ወሰዶ። 5 ነቶም
ነገስታት ይሁዳ ኣብ ከተማታት ይሁዳን ኣብ ዙርያ የሩሳሌምን ኣብ ዘሎ በረኽቲ ኺዐጥኑ ዘሕደርዎም
ካህናት ጣኦታትን ነቶም ንበዓልን ንጸሓይን ንወርሕን ንኸዋኽብትን ንብዘለው ሰራዊት ሰማይን ዚዐጥኑ
ዝነበሩን ድማ ሰዐሮም። 6 ንኣስታርተ ኸኣ ካብ ቤት እግዚኣብሄር ናብ ወጻኢ የሩሳሌም ናብ ርባ ቄድሮን
ኣውጺኡ ኣብራባ ቄድሮን ኣንደዳ፡ ኣድኪሙ ኸኣ ደበቚቦቛ ገበራ፡ ነቲ ደበቕቡቛ ድማ ኣብቲ መቓብር
ደቂ እቲ ህዝቢ ጐሓፎ። 7 ነተን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዝነበራ ኣባይቲ ኣመናዝር፡ ኣንስቲ ኣብኤን
ኰይነን ንኣስታርተ ዚኸውን መጋረጃ ዚኣልማ ዝነበራ ኸኣ ኣፍረሰ። 8 ንኹሎም ካህናት ድማ ካብ
ከተማታት ይሁዳ ኣውጽኦም፡ ነቲ እቶም ካህናት ዚዐጥኑሉ ዝነበሩ በረኽቲ ኸኣ ካብ ጌባዕ ጀሚሩ ኽሳዕ

ብኤርሸባዕ ኣርከሶ፡ ነቲ ኣብ ደጌታት፡ ኣብ ኣፍ ደገ እያሱ መስፍን እታ ኸተማ ዝነበረ፡ ነቲ ብጸጋም ደገ
እታ ኸተማ ዝነበረ በረኽቲ ኣፍረሶ። 9 እቶም ናይ በረኽቲ ኻህናት ግና፡ ኣብ ማእከል ኣሕዋቶም
ኰይኖም ደኣ ቕጫ ይበልዑ ነበሩ እምበር፡ ናብቲ መሰውኢ እግዚኣብሄር ኣብ የሩሳሌም ኣይድይቡን
ነበሩ። 10 ሰብ ወዱ ወይ ጓሉ ንሞሌኽ ኢሉ ብሓዊ ኸየሕልፍሲ፡ ነቲ ኣብ ለሰ ደቂ ህኖም ዝነበረ ቶፌት
ኣርከሶ። 11 እቶም ነገስታት ይሁዳ ንጸሓይ ዝወፈይዎም፡ ኣብቲ መእተዊ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ ቀጽሪ
መቕደስ ኣብታ ነታንሜላክ፡ እቲ ስሉብ ዚነብረላ ዝነበሩ ኣፍራስ ኣግለሶም። ነቲ ሰረገላታት ጸሓይውን
ብሓዊ ኣንደዶ። 12 ነቲ ኣብ ናሕሲ ኣደራሽ ኣሃዝ ዝነበረ፡ እቶም ነገስታት ይሁዳ ዝገበርዎ፡
መሰውኢታትን፡ ነቲ ምናሴ ኣብ ክልቲኡ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር ዝገበሮ መሰውኢታትን ከኣ እቲ ንጉስ
ኣፍረሶ። ካብኡ ቐልጢፉ ኸይዱ ድማ ነቲ ደበቕቦቓኡ ኣብ ርባ ቄድሮን ጐሓፎ። 13 ነቲ ኣብ ቅድሚ
የሩሳሌም ኣብ የማን ከረን ጥፍኣት ዝነበረ በረኽቲ ኸኣ፡ እቲ ሰሎሞን ንጉስ እስራኤል ንኣስታርተ ጽያፍ
ሲዶናውያንን ንከሞሽ ጽያፍ ሞኣብን ንሚልኮም ጽያፍ ደቂ ዓሞንን ዝሰርሓሎም፡ እቲ ንጉስ ኣርከሶ። 14
ነቲ ሓወልትታት ድማ ሰባበሮ፡ ንኣስታርቴታትውን ቈረጾ፡ ነቲ ቦታታቶም ከኣ ኣዕጽምቲ ሰብ መልአ። 15
ድማ ነቲ ኣብ ቤትኤል ዝነበረ መሰውእን ነቲ የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ንእስራኤል ዘሕጥኤ፡ ዝሰርሖ
በረኽን ኣፍረሶ፡ ነቲ በረኽ ከኣ ኣንደዶ፡ ኣድኪሙ ድማ ደበቕቦቓ ገበሮ፡ ንኣስታርተውን ኣንደዶ። 16
ዮስያስ ግልጽ ምስ በለ ኸኣ፡ ነቲ ኣብኡ ኣብ ከረን ዝነበረ መቓብራት ረአየ። ሽዑ ልኢኹ ነቲ ኣዕጽምቲ
ኻብ መቓብራት ወሲዱ፡ ከምቲ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ እዚ ነገር እዚ ኺነግር ከሎ እተዛረቦ ቓል
እግዚኣብሄር ኣብቲ መሰውኢ ኣንደዶ፡ ኣርከሶ ኸኣ። 17 ንሱ ድማ፡ እዚ ዝርእዮ ዘሎኹ ሓወልቲኸ
እንታይ እዩ፧ በለ። እቶም ሰብ እታ ኸተማ ኸኣ፡ እቲ ኻብ ይሁዳ ዝመጸ እሞ ብዛዕባ እዚ ዝገበርካዮ
ነገር እዚ ንመሰውኢ ቤትኤል እተዛረቦ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ እዚ መቓብሩ እዩ፡ በልዎ። 18 ንሱ ኸኣ፡
ሕደግዎ፡ ገለ እኳ ነዕጽምቱ ኣየነቓንቖ። ስለዚ እቲ ኣዕጽምቱ ምስ ኣዕጽምቲ እቲ ኻብ ሰማርያ ዝመጸ
ነብዪ ተረፈ። 19 ነተን ኣብ ከተማታት ሰማርያ ዝነበራ፡ ነገስታት እስራኤል ንእግዚኣብሄር ኬኹርይዎ
ኢሎም ዝሰርሕወን ኲለን ኣባይቲ በረኽቲ ድማ ዮስያስ ኣፍረሰን እሞ ከምቲ ኣብ ቤትኤል ዝገበሮ ኹሉ
ግብርታት ገበረን። 20 ነቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኹሎም ናይ በረኽቲ ኻህናት ድማ ኣብቲ መሰውኢታት
ሐረዶም፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ኣዕጽምቲ ሰብ ኣንደደ። ናብ የሩሳሌም ድማ ተመልሰ። 21 እቲ ንጉስ ከኣ
ንብዘለዉ ህዝቢ፡ ከምቲ ኣብዚ መጽሓፍ ኪዳን እዚ ተጽሒፉ ዘሎ ጌርኩም ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ፋስጋ ኣብዕሉ ኢሉ ኣዘዞም። 22 ካብቲ መሳፍንቲ ንእስራኤል ዝፈርዱሉ ዝነበሩ ዘመን ጀሚሩ ኸኣ፡
ብዘሎ ዘመን ነገስታት እስራኤልን ነገስታት ይሁዳን ከምዚ ዝበለ ፋስጋ ኣይተፈስገን። 23 እዚ ፋስጋ እዝስ
ንንጉስ ዮስያስ ኣብ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመቱ ደኣ ኣብ የሩሳሌም ንእግዚኣብሄር ተገብረ። 24
ዮስያስ ድማ ቃላት እቲ ኣብቲ ኻህን ሒልቂያ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዝረኸቦ መጽሓፍ ተጽሒፉ ዘሎ
ሕጊ ምእንቲ ኬቕውም ኢሉ፡ ነቶም መናፍስቲ ዚሐቱ ንጠንቋልትን ንኣማልኽቲ ቤትን ንጣኦታትን
ኲሉ እቲ ኣብ ሃገር ይሁዳን ኣብ የሩሳሌምን ንእተራእየ ጽያፋትን ኣደዶ። 25 ከምቲ ኹሉ ነፍሱን ብኹሉ
ሓይሉን ናብ እግዚኣብሄር እተመልሰ ንጉስ ከኣ ብቕድሚኡ ኸምኡ ዝበለ ኣይነበረን፡ ብድሕሪኡውን
ከምኡ ዝበለ ኣይተንስኤን። 26 ግናኸ ብምኽንያት እቲ ምናሴ ብእኡ ዘኹረዮ ኹሉ መኹረዪ፡
እግዚኣብሄር ካብቲ ኣብ ይሁዳ ዝነደደ ንደት ዓብዩ ኹራኡ ኣይተመልሰን። 27 እግዚኣብሄር ድማ፡
ከምቲ ንእስራኤል ዘግለስክዎ ንይሁዳውን ካብ ቅድሚ ገጸይ ከግልሶ እየ፡ ነዛ ዝሐረኽዋ ኸተማ
የሩሳሌም ነዛ፡ ስመይ ኣብኣ ኪኸውን እዩ፡ ዝበልክዋ ቤትን ከኣ ክድርብየን እየ፡ በለ። 28 እቲ ዝተረፈ ናይ
ዮስያስ ነገርን ኲሉ ዝገበሮ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ ኣየሎን፧ 29

ብዘመኑ ፈርኦን ኔኮ ንጉስ ግብጺ ናብ ንጉስ ሶርያ ናብ ርባ ኤፍራጥስ ደየበ። ንጉስ ዮስያድ ድማ
ኪቃባበሎ ኸደ፡ ንሱ ኸኣ ምስ ረአዮ፡ ኣብ መጊዶ ቐተሎ። 30 ገላዉኡ ድማ ብምውቱ ኣብ ሰረገላ
ገይሮም ካብ መጊዶ ናብ የሩሳሌም ኣምጽእዎ፡ ኣብ መቓብሩ ኸኣ ቀበርዎ። ህዝቢ እታ ሃገር ድማ
ንዮኣሓዝ ወዲ ዮስያስ ወሲዶም ቀብእዎ፡ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ኸኣ ኣንገስዎ። 31 ዮኣሓዝ ኪነግስ ከሎ ወዲ
ዕስራን ሰለስተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሰለስተ ወርሒ ገዝኤ፡ ስም ኣዲኡ ድማ ሓሙጣል
እዩ፡ ንሳ ጓል ኤርምያስ ብዓል ሊብና እያ። 32 ንሱ ኸኣ፡ ከምቲ ኣቦታቱ ዝገበርዎ ኹሉ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 33 ፈርኦን ኔኮ ድማ ኣብ የሩሳሌም ከይነግስ ኢሉ ኣብ ሪብላ ምድሪ ሓማት
ኣሰሮ። ነታ ሃገር ከኣ ሚእቲ ታለንት ብሩርን ሓደ ታለንት ወርቅን ፈሰስ ኣውደቐላ። 34 ፈርኦን ኔኮ ድማ
ንኤልያቂም ወዲ ዮስያስ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ዮስያስ ኣንገሶ፡ ስሙ ኸኣ ዮያቂም ኢሉ ለወጠሉ። ንዮኣሓዝ
ግና ወሰዶ እሞ ናብ ግብጺ መጸ፡ ኣብኡ ድማ ሞተ። 35 ዮያቂም ከኣ ንፈርኦን ብሩርን ወርቅን ሀበ። ግናኸ
ከምቲ ትእዛዝ ፈርኦን ገንዘብ ምእንቲ ኺህብሲ ነታ ሃገር ፈሰስ ኣውደቐላ፡ እቲ ብሩርን ወርቅን ንፈርኦን
ኔኮ ምእንቲ ኺህብሲ፡ ንህዝቢ እታ ሃገር ነፍሲ ወከፍ ከም ስልዕቱ ኣኽፈሎ። 36 ዮያቂም ኪነግስ ከሎ
ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሓደ ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ኸኣ
ዘቡዳ እዩ፡ ንሳ ጓል ጴዳያ ብዓል ሩማ እያ። 37 ንሱ ኸኣ፡ ከምቲ ኣቦታቱ ዝገበርዎ ኹሉ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ።

# ምዕራፍ 24

1 ብዘመኑ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ደየበ እሞ፡ ዮያቂም ክሳዕ ሰለስተ ዓመት ተገዝኦ። ግናኸ መሊሱ
ዐለዎ። 2 እግዚኣብሄር ድማ ጭፍራታት ከለዳውያንን ጭፍራታት ሶርያውያንን ጭፍራታት ሞኣባውያንን
ጭፍራታት ደቂ ዓሞንን ሰደደሉ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ብኣፍ ባሮቱ ነብያት እተዛረቦ ቓል ከኣ ምእንቲ
ኬጥፍእዋ ናብ ይሁዳ ሰደዶም። 3-4 እዚ ኸኣ ብሰሪ እቲ ምናሴ ዝገበሮ ኹሉ ሓጢኣትን ድማ ብሰሪ እቲ
ንጹህ ደም ዘፍሰሶን፡ ንየሩሳሌም ከኣ ብንጹህ ደም ስለ ዝመልኣ፡ ንይሁዳ ኻብ ቅድሚ ገጹ ኺግልሳ
ብትእዛዝ እግዚኣብሄር እዩ ዝኾነ። በዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ይቕረ ኺብል ኣይፈተወን። 5 እቲ ዝተረፈ ናይ
ዮያቂም ነገርን እቲ ዝገበሮ ኹሉን ከኣ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ይሁዳዶ ተጽሒፉ
ኣየሎን፧ 6 ዮያቂም ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ዮያኪን ነገሰ። 7 ነቲ ናይ ንጉስ ግብጺ
ዘበለ፡ ካብ ርባ ግብጺ ጀሚሩ ኽሳዕ ፈለግ ኤፍራጥስ፡ ንጉስ ባቢሎን ሒዝዎ ነበረ እሞ፡ ድሕርዚ እቲ
ንጉስ ግብጺ ኻብ ሃገሩ መሊሱ ኣይወጸን። 8 ዮያኪን ኪነግስ ከሎ ወዲ ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመት ነበረ፡
ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሰለስተ ወርሒ ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ነሑሽታ እዩ፡ ንሳ ጓል ኤልናታን ብዓል የሩሳሌም
እያ። 9 ንሱ ኸኣ ከምቲ ኣቦኡ ዝገበሮ ኹሉ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 10 በቲ ጊዜ እቲ ገላዉ
ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ናብ የሩሳሌም ደየቡ፡ እታ ኸተማ ድማ ተኸበት። 11 እቶም ገላዉኡ
ኸቢቦምዋ ኸለው ኸኣ፡ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ናብታ ኸተማ መጸ። 12 ሽዑ ዮያኪን ንጉስ ይሁዳ፡
ንሱን ኣዲኡን ገላውኡን ሓላቓኡን ስሉባቱን ናብ ንጉስ ባቢሎን ወጹ፡ እቲ ንጉስ ባቢሎን ከኣ
ብሳምነይቲ ዓመት መንግስቱ ሐዞ። 13 ከምቲ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ድማ፡ ንብዘሎ መዛግብቲ ቤት
እግዚኣብሄርን መዛግብቲ ቤት ንጉስን ኣውጽኤ፡ ነቲ ሰሎሞን ንጉስ እስራኤል ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር
ዝገበሮ ኹሉ ኣቓሑ ወርቂ ኸኣ ሰባበሮ። 14 ንብዘላ የሩሳሌምን ንኹሎም ሓላቓን ንኹሎም ሓያላት
ጀጋኑን፡ ዓሰርተ ሽሕ ምሩኻት፡ ንኹሎም ጸረብትን ሰራሕቲ ሓጺንን ከኣ ማረኸ። ካብ ህዝቢ እታ ሃገር፡

ብዘይ እቶም ድኻታት፡ ገለ እኳ ኣይተረፈን። 15 ንዮያኪን ድማ ናብ ባቢሎን ማረኾ፡ ነደ ንጉስን ነንስቲ
ንጉስን ንስሉባቱን ንዓበይቲ እታ ሃገርን ከኣ ካብ የሩሳሌም ማሪኹ ናብ ባቢሎን ወሰዶም። 16 ንዅሎም
ሓያላት ሰባት ሾብዓተ ሽሕ ዚኾኑ፡ ጸረብትን ሰራሕቲ ሓጺንን ከኣ ሽሕ፡ ኲሎም ጀጋኑ ንውግእ
ዚበቕዑ፡ እቲ ንጉስ ባቢሎን ማሪኹ ናብ ባቢሎን ኣእተዎም። 17 እቲ ንጉስ ባቢሎን ድማ ንሓው ኣቦኡ
ማታንያ ኣብ ክንዳኡ ኣንገሶ፡ ስሙ ኸኣ ጼዴቅያስ ኢሉ ለወጠሉ። 18 ጼዴቅያስ ኪነግስ ከሎ ወዲ ዕስራን
ሓደን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሓደ ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ድማ ሓሙጣል እዩ፡
ንሳ ጓል ኤርምያስ ብዓል ሊብና እያ። 19 ንሱ ኸኣ ከምቲ ዮያቂም ዝገበሮ ዅሉ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 20 እዚ ንየሩሳሌምን ንይሁዳን ካብ ቅድሚ ገጹ ኽሳዕ ዚድርብዮም ዝኾነ፡
ብምኽንያት ኲራ እግዚኣብሄር እዩ። ጼድቅያስ ድማ ካብ ንጉስ ባቢሎን ዐለወ።

# ምዕራፍ 25

1 ኰነ ድማ፡ ብታስዐይቲ ዓመት መንግስቱ፡ በታ ዓስረይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒውን ብዓስረይቲ
መዓልቲ፡ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ምስ ኲሉ ሰራዊቱ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ኸበባ። ብዙርያኣ ኸኣ
ዕርዲ ነደቑላ። 2 እታ ኸተማ ድማ ንጼድቅያስ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመቱ ብመካበብያ
ተዐጽወት። 3 ካብታ ራብዐይቲ ወርሒ ኣብ ታስዐይቲ መዓልቲ ኣብታ ኸተማ ጥሜት በርትዔ፡ ህዝቢ
እታ ሃገር ከኣ ንእንጌራ ኣይነበሮምን። 4 ሽዑ ነታ ኸተማ ብሓደ ቦታ ኣፍረሱላ። እቶም ከለዳውያን ኣብ
ዙርያ እታ ኸተማ ኸለዉ ድማ፡ እቲ ንጉስ ብመገዲ ጐልጐል ከደ። ኲሎም ሰብ ውግእ ብለይቲ በቲ
ኣብ ጥቓ ኣታኽልቲ ንጉስ ዘሎ ኣብ መንጎ ኽልቲኡ መካበብያ ዘሎ ደገ፡ ብመገዲ እቲ ደገ ገይሮም
ሀደሙ። 5 እቶም ሰራዊት ከለዳውያን ግና ነቲ ንጉስ ደድሕሪኡ ሰዒቦም ኣብ ጐልጐል ያሪኮ ኣርከብዎ፡
ብዘለዉ ሰራዊቱ ድማ ካብኡ ፋሕ በሉ። 6 ሽዑ ነቲ ንጉስ ሒዞም ናብ ንጉስ ባቢሎን ናብ ሪብላ
ኣደየብዎ፡ ፍርዲ ኸኣ ፈረድዎ። 7 ንደቂ ጼድቅያስ ከኣ ኣዒንቱ ኣዖርዎ። ብኽልተ ሰንሰለት ኣስራዚ
ኣሲሮም ድማ ናብ ባቢሎን ወሰድዎ። 8 በታ ሓምሰይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒውን ብሳብዐይቲ
መዓልቲ፡ ንነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ኣብ መበል ዓሰርተው ትሽዓተ ዓመቱ፡ ነቡዛራዳን ሓለቓ
ዘብዔኛታት፡ ጊልያ ንጉስ ባቢሎን፡ ናብ የሩሳሌም መጺኡ፡ 9 ንቤት እግዚኣብሄርን ንቤት ንጉስን ንዅለን
ኣባይቲ የሩሳሌምን ተኰሰ፡ ንዅሉ ዓበይቲ ኣባይቲ ድማ ብሓዊ ተኰሰ። 10 ምስቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት
ዝነበረ ብዘሎ ሰራዊት ከለዳውያን ንመካበብያታት የሩሳሌም ብዙርያኡ ኣፍረሶ። 11 ነቡዛራዳን፡ እቲ
ሓለቓ ዘብዔኛታት፡ ድማ ነቶም ኣብ ከተማ ተሪፎም ዝነበሩ ተረፍ ኣቲ ህዝብን ነቶም ሃዲሞም ናብ
ንጉስ ባቢሎን እተጸግዑን ካብቲ ብዙሕ ህዝቢ ዝተረፉን ማረኾም። 12 እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ግና
ካብቶም ድኻታት እታ ሃገር ኣታኽልቲ ወይኒ ኺዐዩን መሬት ኪሐርሱን ኢሉ ሐደጎም። 13 እቶም
ከለዳውያን ድማ ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዝነበረ ኣዕኑድ ኣስራዝን ነቲ መቕመጢታትን ነቲ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ዝነበረ ባሕሪ ኣስራዝን ሰባበርዎ፡ ነቲ ኣስራዚኡ ኸኣ ናብ ባቢሎን ወሰድዎ። 14
ንድስትታትን መጽሓርያታትን ካራታትን ጽዋኣትን ነቲ ዜገልግሉሉ ዝነበሩ ዅሉ ኣቓሑ ኣስራዝን
ወሰድዎ። 15 እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ከኣ ንጽንሃታትን ንጭሕሎታትን ናይ ወርቂ ኸም ወርቂ፡ ናይ
ብሩር ከም ብሩር ገይሩ ወሰዶ። 16 እቲ ሰሎሞን ንቤት እግዚኣብሄር ኢሉ ዝገበሮ ኽልተ ዓንድን ሓደ
ባሕርን መቕመጢታትን ናይ እዚ ዅሉ ኣቓሑ ኣስራዚ ድማ ሚዛን ኣይነበሮን። 17 ቍመት እቲ ሓደ
ዓንዲ ዓሰርተው ሾሞንተ እመት ነበረ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ጒልላት ኣስራዚ ነበሮ፡ ቍመት እቲ ጒልላት

ድማ ሰለስተ እመት ነበረ ነቲ ጒልላት ከኣ ብዙርያኡ ዓይነ ርግብን ሮማንን ነበሮ፡ እዚ ዅሉ ኻብ
ኣስራዚ ነበረ። ነቲ ኻልኣይ ዓንዲ ድማ ምስ ዓይነ ርግቡ ኸምኡ ገበሮ። [18] እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ከኣ
ንሊቀ ኻህናት ሰራያን ንጸፋንያስ እቲ ኻልኣይ ካህንን ንሰለስቲኦም ሓለውቲ ደገን ወሰዶም። [19] ካብታ
ኸተማ ድማ ሓደ ኣዛዝ ሰብ ውግእ ዝነበረ ስሉብን ካብቶም ገጽ ንጉስ ዚርእዩ ሓሙሽተ ሰባት ኣብታ
ኸተማ እተረኽቡን ነቲ ጸሓፊ፡ እቲ ንህዝቢ እታ ሃገር ንወትሃደርነት ዚጽሕፍ ዝነበረ ሓለቓ ሰራዊትን
ካብቶም ኣብታ ኸተማ እተረኽቡ ህዝቢ እታ ሃገር ከኣ ስሳ ሰባት ወሰደ። [20] ነዚኣቶም ከኣ ነቡዛራዳን
ሓለቓ ዘብዔኛታት ወሲዱ ናብ ንጉስ ባቢሎን ናብ ሪብላ ኣምጽኦም። [21] እቲ ንጉስ ባቢሎን ድማ ኣብ
ሪብላ ኣብ ምድሪ ሓማት ወቒዑ ቐተሎም። ይሁዳ ኸምዚ ኢሉ ኻብ ሃገሩ ተማረኸ። [22] ነቲ ነቡካድነጻር
ንጉስ ባቢሎን ዘትረፎ፡ ኣብ ምድሪ ይሁዳ ዝተረፈ ህዝቢ ንኣታቶም ገዳልያ ወዲ ኣሒቃም፡ ወዲ ሻፋን፡
ሸመሎም። [23] ኲሎም ሓላቑ ሰራዊታት፡ ንሳቶምን ሰቦምን፡ እስማኤል ወዲ ነታንያን ዮሓናን ወዲ
ቃሬኣሕን ሰራያ ወዲ ታንሑመት እቲ ነጦፋውን ያኣዛንያ ወዲ እቲ ማዓካታውን፡ እዚኣቶምን ሰቦምን
ንጉስ ባቢሎን ንገዳልያ ኸም ዝሸሞ ምስ ሰምዑ፡ ናብ ገዳልያ ናብ ሚጽጳ መጹ። [24] ገዳልያ ድማ፡ ካብ
ገላዉ ከለዳውያን ኣይትፍርሁ፡ ኣብዛ ሃገር ተቐመጡ፡ ንንጉስ ባቢሎን ከኣ ተገዝእዎ እሞ ጽቡቕ ነገር
ኪኾነልኩም እዩ፡ ኢሉ ንኣታቶምን ንሰቦምን መሐለሎም። [25] በታ ሳብዐይቲ ወርሒ ግና ኾነ፡ እቲ ኻብ
ዘርኢ ንጉስ ዝነበረ እስማኤል ወዲ ነታንያ፡ ወዲ ኤሊሻማ፡ ዓሰርተ ሰብ ድማ ምስኡ መጺኦም ንገዳልያ
ቐተልዎ፡ ሞተ ኸኣ፡ ነቶም ምስኡ ኣብ ሚጽጳ ዝነበረ ኣይሁድን ከለዳውያንን ከኣ ቀተልዎም። [26] እቶም
ህዝቢ ብዘለዉ ድማ ካብ ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብይን፡ እቶም ሓላቑ ሰራዊታትን ንከለዳውያን ፈሪሆም ነበሩ
እሞ፡ ተንሲኦም ናብ ግብጺ ኸዱ። [27] ኮነ ኸኣ ዮያኪን ንጉስ ይሁዳ ኻብ ዚማረኽ ኣብ መበል ሰላሳን
ሾብዓተን ዓመቱ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ ኣብ መበል ዕስራን
ሾብዓተን መዓልቲ፡ ኤዊልመሮዳክ ንጉስ ባቢሎን በታ ዝነገሰላ ዓመት ንዮያኪን ንጉስ ይሁዳ ኻብ ቤት
ማእሰርቲ ኣውጽኦ። [28] ምስኡ ኸኣ ጥዑም ተዛረበ፡ ዝፋኑ ድማ ካብ ዝፋውንቲ እቶም ምስኡ ኣብ
ባቢሎን ዝነበሩ ነገስታት ልዕል ኣበሎ። [29] ነቲ ኽዳን ቤት ማእሰርቱውን ለወጠሉ፡ ብዅሉ ዘመን
ህይወቱ ኸኣ ወርትግ ኣብ ቅድሚኡ እንጌራ ይበልዕ ነበረ። [30] ነንመዓልቲ ዚቕለቦ ቐለብ ድማ ብዅሉ
ዘመን ህይወቱ ወርትግ ካብ ንጉስ ተዋህቦ።

# 1ይ መጽሓፍ ዜና መዋዕል

## ምዕራፍ 1

1 ኣዳም፡ ሴት፡ ኤኖሽ። 2 ቀይናን፡ ማሃላልኤል፡ ያሬድ። 3 ሄኖክ፡ ማቱሳላ፡ ላሜክ። 4 ኖህ፡ ሴም፡ ካም፡
ያፌትውን። 5 ደቂ ያፌት፡ ጎሜርን ማጎግን ማዳይን ያዋንን ቱባልን መሴክን ቲራስን። 6 ደቂ ጎሜር ከኣ፡
ኣሽከናዝን ዲፋትን ቶጋርማን። 7 ደቂ ያዋን ድማ፡ ኤሊሻን ታርሲስን ኪቲምን ሮዳኒምን። 8 ደቂ ካም፡
ኩሽን ሚስራዪምን ጶጥን ከነኣንን። 9 ደቂ ኩሽ ከኣ፡ ሴባን ሓዊላን ሳብታን ራዕማን ሳብትካን። ደቂ
ራዕማ ድማ፡ ሼባን ዴዳንን። 10 ኩሽ ከኣ ንኒምሮድ ወለደ። ንሱ ኣብ ምድሪ ኺስልጥን ጀመረ። 11
ሚስራዪም ከኣ ንሉዲምን ንዓናሚምን ንለሃቢምን ንናፍቱሒምን፡ 12 ንጳትሩሲምን ነቲ ኻብኡ
ፍልስጥኤማውያን ዝወጹ ካስሉሒምን ንካፍቶሪምን ወለደ። 13 ከነኣን ድማ ንሲዶን በዂሪ ወዱን
ንሔትን፡ 14 ንይብሳውያንን ንኣሞራውያንን ንገርጌሳውያንን፡ 15 ንሃዋውያንን ንዓርቃውያንን ንሲናውያንን፡
16 ንኣርዋዳውያንን ንጸማራውያንን ንሓማታውያንን ወለደ። 17 ደቂ ሴም፡ ዔላምን ኣሶርን ኣርፋክሳድን
ሉድን ኣራምን ኡጽን ሑልን ጌተርን ሜስክን። 18 ኣርፋክሳድ ከኣ ንሻላሕ ወለደ፡ ሻላሕውን ንዔበር
ወለደ። 19 ንዔበር ድማ ክልተ ወዲ ተወልዱሉ፡ ስም እቲ ሓደ፡ ብዘመኑ ምድሪ ስለ እተመቐለት፡ ፋሌግ
ተባህለ፡ ስም ሓው ኸኣ ዮቅጣን እዩ። 20 ዮቅጣን ድማ ንኣልማዳድን ንሻሌፍን ንሓጻርማዌትን ንያሕን፡
21 ንሃዶራምን ንዑዛልን ንዲቅላን፡ 22 ንዔላልን ንኣቢማኤልን ንሼባን፡ 23 ንኦፊርን ንሓዊላን ንዮባብን
ወለደ። እዚኣቶም ኩሎም ደቂ ዮቅጣን እዮም። 24 ሴም፡ ኣርፋክሳድ፡ ሻላሕ፡ 25 ዔበር፡ ፋሌግ፡ ራጉ፡ 26
ሰሩግ፡ ናሆር፡ ታራ፡ 27 ኣብራም፡ ንሱ ኣብርሃም እዩ። 28 ደቂ ኣብርሃም፡ ይስሃቅን እስራኤልን። 29
ወለዶኦም እዚ እዩ፡ በዂሪ እስማኤል ነባዮት፡ ደሓር ቄዳርን ኣድብኤልን ሚብሳምን፡ 30 ሚሽማዕን
ዱማን ማሳን ሓዳድን ቴማን፡ 31 የጡርን ናፊሽን ቄድማን። እዚኣቶም ደቂ እስማኤል እዮም። 32 ደቂ
ቄጡራ፡ ሰበይቲ ወሰን ኣብራሃም ድማ፡ ንሳ ንዚምራንን ንዮቅሻንን ንመዳንን ንሚድያንን ንዪሽባቅን
ንሿን ወለደት። ደቂ ዮቅሻን ከኣ፡ ሼባን ዴዳንን። 33 ደቂ ምድያን ድማ፡ ዔፉን ዔፈርን ሓኖክን ኣቢዳዕን
ኤልዳዓን። እዚኣቶም ኩሎም ደቂ ቄጡራ እዮም። 34 ኣብርሃም ከኣ ንይስሃቅ ወለደ። ደቂ ይስሃቅ ድማ፡
ኤሳውን እስራኤልን። 35 ደቂ ኤሳው፡ ኤሊፋዝን ረጉኤልን የኡሽን ያዕላምን ቆራሕን። 36 ደቂ ኤሊፋዝ፡
ቴማንን ኦማርን ጸፊን ጋዕታማን ቄናዝን ቲምናዕን ኣማሌቅን። 37 ደቂ ረጉኤል፡ ናሓት፡ ዜራሕ፡ ሻማ፡
ሚዛ ድማ። 38 ደቂ ሴዒር ከኣ፡ ሎጣንን ሾባልን ጺብዖንን ዓናን ዲሾንን ኤጻርን ዲሻንን። 39 ደቂ ሎጣን
ድማ፡ ሖሪን ሆማምን፡ ሓብቲ ሎጣን ከኣ ቲምና እያ። 40 ደቂ ሾብል፡ ዓልያንን ማናሓትን ዔባልን ሸፊን
ዖናምን። ደቂ ጺብዖን ድማ፡ ኣያንዓናን። 41 ደቂ ዓና፡ ዲሾን። ደቂ ዲሾን ከኣ፡ ሓምራንን ኤሽባንን
ዪትራንን ከራንን እዮም። 42 ደቂ ኤጻር፡ ቢልሓንን ዛዓዋንን ያዓቃንን። ደቂ ዲሻን፡ ዑጽን ኣራንን። 43
እቶም ኣብ ደቂ እስራኤል ንጉስ ከይነገሰ፡ ኣብ ምድሪ ኤዶም ቅድሚ ዝነገሱ ነገስታት ከኣ እዚኣቶም
እዮም፡ ቤላ ወዲ ቤዖር፡ ስም ከተምኡ ድማ ዲንሃባ ነበረ። 44 ቤላ ኸኣ ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ድማ ዮባብ
ወዲ ዜራሕ ካብ ቦጽራ ነገሰ። 45 ዮባብ ከኣ ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ድማ ሑሻም ካብ ሃገር ቴማናውያን ነገሰ።
46 ሑሻም ከኣ ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ድማ ሃዳድ ወዲ በዳድ፡ እቲ ንሚድያን ኣብ መሮር ሞኣብ ዝሰዐረ
ነገሰ፡ ስም ከተማኡ ኸኣ ዓዊት ነበረ። 47 ሃዳድ ድማ ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ሳምላ ኻብ ማስሬቃ ነገሰ።
48 ሳምላ ድማ ሞተ፡ ሻኡል ካብታ ኣብ ርባ ዘላ ሬሖቦት ከኣ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ። 49 ሻኡል ድማ ሞተ፡ ኣብ

ከንዳኡ ኸኣ በዓልሓናን ወዲ ዓክቦር ነገሰ። 50 በዓልሓናን ድማ ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ሃዳድ ነገሰ፡ ስም
ከተማኡ ድማ ጳዒ ነበረ፡ ስም ሰበይቱውን ምሄጣብኤል፡ ጓል ማጥሬድ፡ ጓል ሜዛሃብ እያ። 51 ሃዳድ
ምስ ሞተ ኸኣ፡ ኣብ ኤዶም ሹማምቲ ኾኑ፡ ሹም ቲምና፡ ሹም ዓልያ፡ ሹምየቴት፡ 52 ሹም ኦሆሊባም፡
ሹም ቴማን፡ ሹምዲኖን፡ 53 ሹም ቄናዝ፡ ሹም ቴማን፡ ሹም ሚብጻር፡ 54 ሹም ማግዲኤል፡ ሹም ዒራም።
እዚኣቶም ሹማምቲ ኤዶም እዮም።

# ምዕራፍ 2

1 ደቂ እስራኤል እዚኣቶም እዮም፡ ሮቤልን ስምኦንን ሌዊን ይሁዳን ይሳኮርን ዛብሎንን፡ 2 ዳንን ዮሴፍን
ብንያምን ንፍታሌምን ጋድን፡ ኣሴር ከኣ። 3 ደቂ ይሁዳ፡ ዔርን ኦናንን ሼላን፡ ሰለስቲኦም ካብ እታ
ከነኣናዊት ጓል ሹዓ እተወልዱሉ እዮም። ዔር እቲ በዅሪ ይሁዳ ግና ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ
ነበረ፡ ቀተሎ ኸኣ። 4 ታማር እታ ሰበይቲ ወዱ ድማ ንፋሬስን ዜራሕን ወለደትሉ። ደቂ ይሁዳ ኹሎም
ሓሙሽተ እዮም። 5 ደቂ ፋሬስ ሔጽሮንን ሓሙልን እዮም። 6 ደቂ ዜራሕ ድማ ዚምሪን ኤታንን ሄማንን
ካልኮልን ዳራዕን፡ ኲሎም ሓሙሽተ እዮም። 7 ደቂ ካርሚ ኸኣ፡ ዓካር፡ እቲ ብሕሩም ነገር በዲሉ
ንእስራኤል ዘጕሀዮ። 8 ደቂ ኤታን ድማ፡ ዓዛርያ። 9 እቶም ንሔጽሮን እተወልዱሉ ደቂ ኸኣ የራሕምኤልን
ራምን ከሉባይን እዮም። 10 ራም ድማ ንኣሚናዳብ ወለደ፡ ኣሚናዳብ ከኣ ንነኣሶን ሹም ደቂ ይሁዳ
ወለደ። 11 ነኣሶን ድማ ንሳልማ ወለደ፡ ሳልማ ኸኣ ንቦኣዝ ወለደ። 12 ቦኣዝ ድማ ንዖቤድ ወለደ። ዖቤድ
ከኣ ንእሴይ ወለደ። 13 እሴይ ድማ ንበዅሪ ወዱ ኤልያብ፡ ካልኣይ ከኣ ንኣቢናዳብ፡ ሳልሳይ ድማ
ንሺምዓ፡ 14 ራብዓይ ናትናኤል፡ ሓምሳይ ራዳይ፡ 15 ሳድሳይ ኦጼም፡ ሳብዓይ ዳዊት ወለደ። 16 ኣሓቶም
ከኣ ጽሩያን ኣቢጋይልን ነበራ። ደቂ ጽሩያ ድማ ኣቢሻይን ዮኣብን ዓሳሄልን ሰለስተ እዮም። 17 ኣቢጋይል
ከኣ ንዓማሳ ወለደት፡ ኣቦ ዓምሳ ድማ የተር እተባህለ እስማኤላዊ ነበረ። 18 ካሌብ ወዲ ሔጽሮን ከኣ፡
ካብ ዓዙባ ሰበይቱ ካብ የሪዖትን ወለደ። ደቃ ድማ እዚኣቶም እዮም፡ የሸርን ሾባብን ኣርዶንን። 19 ዓዙባ
ምስ ሞተት ከኣ፡ ካሌብ ንኤፍራት ኣእተዋ እሞ ንሑር ወለደትሉ። 20 ሑር ድማ ንኡሪ ወለደ፡ ኡሪ ኸኣ
ንበጻልኤል ወለደ። 21 ደሓር ድማ ሔጽሮን ናብ ጓል ማኪር ኣቦ ጊልዓድ ኣተወ። ንሱ ወዲ ስሳ ዓመት
ምስ ኰነ፡ ኣእተዋ እሞ፡ ንሴጉብ ወለደትሉ። 22 ሴጉብ ድማ ንያኢር ወለደ። ንእኡ ኣብ ምድሪ ጊልዓድ
ዕስራን ሰለስተን ከትማ ነበራኦ። 23 ገሹርን ኣራምን ነተን ከተማታት ያኢር ምስ ቄናትን ቍሻታን ስሳ
ኸተማ፡ ካባታቶም ወሰድወን። እዚኣቶም ኲሎም ደቂ ማኪር ኣቦ ጊልዓድ ነበሩ። 24 ሔጽሮን ኣብ
ካሌብኤፍራታ ምስ ሞተ ድማ፡ ኣብያ ሰበይቲ ሔጽሮን ንኣሽሑር ኣቦ ተቆዓ ወለደትሉ። 25 ደቂ
የራሕምኤል፡ በዅሪ ወዱ ንሔጽሮን፡ ድማ እቲ በዅሩ ራም፡ ቡናን ኦሬንን ኣጸምን ኣሒያን እዮም። 26
የራሕምኤል ዓጣራ ዝስማ ኻልእ ሰበይቲ ኸኣ ነበረቶ፡ ንሳ ኣደ ኦናም እያ። 27 ደቂ ራም በዅሪ
የራሕምኤል ከኣ ማዓጽን ያሚንን ዔቀርን እዮም። 28 ደቂ ኦናምውን፡ ሻማይን ያዳዕን፡ ደቂ ሻማይ ድማ
ናዳብን ኣቢሹርን እዮም። 29 ስም ሰበይቲ ናዳብን ኣቢሹርን ከኣ ኣቢሓያል እዩ፡ ንሳ ድማ ንኣሕባንን
ንሞሊድን ወለደትሉ። 30 ደቂ ናዳብ ከኣ ሰለድን ኣጳይምን እዮም። ሰለድ ግና ውሉድ ዜብሉ ሞተ። 31
ደቂ ኣጳይም ድማ፡ ዪሽዒ። ደቂ ዪሽዒውን፡ ሸሻን። ደቅ ሸሻን ከኣ፡ ኣሕላይ። 32 ደቂ ያዳዕ፡ ሓው ሻማይ
ድማ፡ የተርን ዮናታንን። የተር ከኣ ውሉድ ዜብሉ ሞተ። 33 ደቂ ዮናታን ድማ፡ ጰለትን ዛዛን። እዚኣቶም
ደቂ የራሕምኤል እዮም። 34 ሸሻን ግና ኣዋልድ እምበር፡ ኣወዳትሲ ኣይነበርዎን። ሸሻን ከኣ ያርሓዕ
ዝስሙ ግብጻዊ ጊልያ ነበሮ። 35 ሸሻን ድማ ንያርሓዕ ጊልያኡ፡ ሰበይቲ ኸትኰኖ ጓሉ ሀቦ። ንሳ ኸኣ ዓታይ

ወለደትሉ። [36] ዓታይ ድማ ንናታን ወለደ። ናታን ከኣ ንዛባድ ወለደ። [37] ዛባድ ድማ ንኤፍላል ወለደ።
ኤፍላል ከኣ ንዖቤድ ወለደ። [38] ዖቤድ ድማ ንየሁ ወለደ። የሁ ኸኣ ንኣዛርያ ወለደ። [39] ኣዛርያ ድማ
ንሔለጽ ወለደ። ሔለጽ ከኣ ንኤልዓሳ ወለደ። [40] ኤልዓሳ ድማ ንሲስማይ ወለደ። ሲስማይ ከኣ ንሻሉም
ወለደ። [41] ሻሉም ድማ ንየቃምያ ወለደ። የቃምያ ኸኣ ንኤልሻማ ወለደ። [42] ደቂ ካሌብ ሓው የራሕምኤል
ከኣ፡ በዅሪ ወዱ ሜሻ፡ ንሱ ኣቦ ዚፍ፡ ደቂ ማሬሻንውን ኣቦ ሔብሮን። [43] ደቂ ሔብሮን ድማ፡ ቆራሕን
ታጹኣሕን ሬቄምን ሸማዕን። [44] ሸማዕ ከኣ ንራሓም ኣቦ ዮርቀዓም ወለደ። ሬቄም ድማ ንሻማይ ወለደ። [45]
ወዲ ሻማይ ከኣ ማዖን እዩ፡ ማዖን ድማ ኣቦ ቤትጹር እዩ። ን [46] ዔፋ ሰበይቲ ወሰኑ ንካሌብ ድማ ሓራንን
ሞጻን ጋዜዝን ወለደት። ሓራን ከኣ ንጋዜዝ ወለደ። [47] ደቂ የህዳይ ድማ ረገምን ዮታምን ጌሻንን ፈለጥን
ዔፋን ሻዓፍን እዮም። [48] ማዓካ ሰበይቲ ወሰኑ ንካሌብ ድማ ንሸበርን ንቲርሓናን ወለደት። [49] ንሸዓፍ ኣቦ
ማድማናን ንሼባ ኣቦ ማክቤናን ኣቦ ጊብዓን ከኣ ወለደት። ጓል ካሌብ ድማ ዓክሳ እያ። [50] ደቂ ካሌብ
እዚኣቶም እዮም፡ ወዲ ሑር፡ በዅሪ ወዳ ንኤፍራታ፡ ሾባል ኣቦ ቂርያትየዓሪም፡ [51] ሳልማ ኣቦ
ቤትልሄም፡ ሓሬፍ ኣቦ ቤትጋደር። [52] ሾባል ኣቦ ቂርያትየዓሪም ከኣ ደቂ ነበርዎ፡ ሃሮኤ ፈረቓ ሜኑሖት።
[53] ዓሌታት ቂርያትየዓሪም ድማ፡ ይትራውያንን ጹታውያንን ሹማታውያንን ሚሽራዓውያንን እዮም። ካብ
እዚኣቶም ጾርዓታውያንን ኤሽታኡላውያንን ወጹ። [54] ደቂ ሳልማ፡ ቤትልሄምን ነጦፋታውያንን
ዓጥሮትቤትዮኣብን ፈረቓ ማናሕታውያንን ጾርዓውያንን እዮም። [55] እቶም ኣብ ያዕቤድ ዚቕመጡ ዝነበሩ
ዓሌታት ጸሓፍቲ ድማ ቲርዓታውያን፡ ሺምዓታውያን፡ ሱካታውያን እዮም። እዚኣቶም እቶም ካብ
ሓማት፡ ኣቦ ቤት ሬካብ ዝመጹ ቂናውያን እዮም።

## ምዕራፍ 3

[1] እቶም ኣብ ሔብሮን እተወልዱሉ ደቂ ዳዊት እዚኣቶም እዮም፡ እቲ ኻብ ኣሒኖዓም ይዝርኤላዊት
እተወልደ በዅሩ ኣምኖን፡ ካልኣይ ዳኒኤል ካብ ኣቢጋይል ቀርሜሎሳዊት፡ [2] ሳልሳይ ኣቤሴሎም ወዲ
ማዓካ፡ ጓል ታልማይ ንጉስ ገሹር፡ ራብዓይ ኣዶንያስ ወዲ ሓጊት፡ [3] ሓምሳይ ሸፋጥያ ኻብ ኣቢጣል፡
ሳድሳይ ዩትረዓም ካብ ዔግላ ሰበይቱ። [4] ሹድሽቲኦም ኣብ ሔብሮን ተወልዱሉ። ኣብኣ ኸኣ ሾብዓተ
ዓመትን ሹድሽተ ወርሕን ነገሰ፡ ኣብ የሩሳሌም ድማ ሰላሳን ሰለስተን ዓመት ነገሰ። [5] ኣብ የሩሳሌም ከኣ
እዚኣቶም ተወልዱሉ፡ ሺምዓን ሾባብን ናታንን ሰሎሞንን፡ ኣርባዕቲኦም ካብ ባትሸዓ፡ ጓል ዓሚኤል። [6]
ድማ ዮብሓርን ኤሊሻማዕን ኤሊፈለጥን፡ [7] ኖጋዕን ነፈግን ያፊዓን፡ [8] ኤሊሻማዕን ኤልያዳዕን ኤሊፈለጥን፡
ትሽዓተ። [9] እዚኣቶም ኩሎም፡ ብዘይ እቶም ደቂ ኣንስቲ ወሰን፡ ደቂ ዳዊት እዮም። ታማር ከኣ ሓብቶም
እያ። [10] ወዲ ሰሎሞን ከኣ ሮብዓም እዩ፡ ኣብያ ወዱ፡ ኣሳ ወዱ፡ ዮሳፋጥ ወዱ፡ [11] ዮራም ወዱ፡ ኣሓዝያ
ወዱ፡ ዮኣስ ወዱ፡ [12] ኣማስያ ወዱ፡ ኣዛርያ ወዱ፡ ዮታም ወዱ፡ [13] ኣሃዝ ወዱ፡ ህዝቅያስ ወዱ፡ ምናሴ
ወዱ፡ [14] ኣሞን ወዱ፡ ዮስያስ ወዱ፡ [15] ደቂ ዮስያስ ድማ፡ እቲ በዅሪ ዮሓናን፡ ካልኣይ ዮያቂም፡ ሳልሳይ
ጼዴቅያስ፡ ራብዓይ ሻሉም። [16] ደቂ ዮያቂም ከኣ፡ የኮንያ ወዱ፡ ጼዴቅያስ ወዱ። [17] ደቂ የኮንያ እቲ እሱር
ድማ፡ ወዱ ሰኣልቲኤልን፡ [18] ማልኪራምን ፈዳያን ሸናጸርን የቃምያን ሖሻማዕን ነዳብያን። [19] ደቂ ፈዳያ
ኸኣ፡ ዘሩባቤልን ሺምዒን። ደቂ ዘሩባቤል ድማ፡ መሸላምን ሓናንያ ሸሎሚት ሓብቶምን፡ [20] ሓሹባን
ኦሄልን በረክያን ሓሳድያን ዩሻብሔሰድን፡ ሓሙሽተ እዮም። [21] ደቂ ሓናንያ ኸኣ፡ ጰላጥያን የሻዕያን፡ ደቂ
ረፋያ፡ ደቂ ኣርናን፡ ደቂ ዖባድያ፡ ደቂ ሸካንያ። [22] ደቂ ሸካንያ ድማ፡ ሸማዕያ። ደቂ ሸማዕያውን፡ ሓጡሽን
ይግኣልን ባርያሕን ነዓርያን ሻፋጥን፡ ሹድሽተ። [23] ደቂ ነዓርያ ኸኣ፡ ኤልዮዔናይን ሕዝቅያን ዓዝራቃምን፡

ሰለስተ። 24 ደቂ ኤልዮዔናይ ድማ፡ ሆዳይዋን ኤልያሺብን ፈላያን ዓቁብን ዮሓናንን ደላያን ዓናኒን፡
ሸብዓተ።

## ምዕራፍ 4

1 ደቂ ይሁዳ፡ ፌሬስን ሔጽሮን ካርሚን ሑርን ሾባልን። 2 ረኣያ ወዲ ሾባል ድማ ንያሓት ወለደ። ያሓት
ከኣ ንኣሑማይን ንላሃድን ወለደ። እዚኣቶም ዓሌት ድማ ጾርዓትውያን እዮም። 3 ደቂ ኣቦ ዔጣም ድማ
እዚኣቶም እዮም። ይዝርኤልን ይሽማን፡ ስም ሓብቶም ከኣ ሀጽለልጶኒ እዩ፡ 4 ፈኑኤል ኣቦ ገዶርን ዔዝር
ኣቦ ሑሻን፡ እዚኣቶም ደቂ ሑር በዅሪ ኤፍራታ፡ ኣቦ ቤትልሄም፡ እዮም። 5 ኣሽሑር ኣቦ ተቆዓ ድማ
ክልተ ኣንስቲ ሔልኣን ናዓራን ዚብሀላ ነበራኦ። 6 ናዓራ ኸኣ ንኣሑዛምን ንሔፈርን ንተምኒን ንኣሓሽታርን
ወለደትሉ፡ እዚኣቶም ደቂ ናዓራ እዮም። 7 ደቂ ሔልኣ ድማ፡ ጸረትን ይጽሓርን ኤትናንን። 8 ቆጽ ከኣ
ንዓኑብን ንሃጾቤባን ንዓሌታት ኣሓርሔል ወዲ ሃሩምን ወለደ። 9 ያዕቤጽ ድማ ካብ ኣሕዋቱ ዚኸብር
ነበረ። ኣዲኡ ኸኣ፡ ብጻዕሪ ወሊደዮ፡ ኢላ እያ እሞ፡ ስሙ ያዕቤጽ ኣውጽኣትሉ። 10 ያዕቤጽ ድማ
ንኣምላኽ እስራኤል፡ ብርግጽ እንተ ትባርኸኒ፡ ዶባተይ ከኣ እንተ ተግፍሓለይ፡ ኢድካውን ምሳይ እንተ
ትኸውን፡ ከይጭነቕ ድማ ካብ ክፉእ ከም ዝድሕን እንተ ትገብረኒ፡ ኢሉ ለመኖ። ኣምላኽ ከኣ እቲ
ዝለመኖ ገበረሉ። 11 ኬሉብ ሓው ሹሓ ድማ ንምሒር ወለደ፡ ንሱ ኣቦ ኤሽቶን እዩ። 12 ኤሽቶን ከኣ
ንቤትራፋን ንጳሴዓን ንትሒና ኣቦ ዔርናሓስን ወለደ፡ እዚኣቶም ሰብ ሬካ እዮም። 13 ደቂ ቄናዝ ድማ፡
ዖትኒኤልን ሰራያን። ደቂ ዖትኒኤል ከኣ፡ ሓታት። 14 መዖኖታይ ድማ ንዖፍራ ወለደ። ሰራያ ኸኣ ነቦ
እቶም ኣብ ለሰ ጸራቦ ዝነበሩ ንዮኣብ ወለደ፡ ንሳቶም ጸራቦ እዮም ዝነበሩ። 15 ደቂ ካሌብ ወዲ የፉኔ
ድማ፡ ዒሩን ኤላን ናዓምን። ደቂ ኤላን ቄናዝን። 16 ደቂ የሃለልኤል ከኣ፡ ዚፍን ዚፉን ቲርያን
ኣሳርኤልን። 17 ደቂ እዝራ ድማ፡ የተርን መረድን ዔፈርን ያሎንን እዮም። ንሳ ኸኣ ንሚርያምን ንሻማይን
ንይሽባሕ ኣቦ ኤሽትሞዓን ወለደት። 18 እታ ኣይሁዳዊት ሰበይቱ ድማ ንየሬድ ኣቦ ገዶርን ንሔበር ኣቦ
ሶኮን ንየቁቲኤል ኣቦ ሻኖዓን ወለደት። እዚኣቶም ከኣ ደቂ እታ መረድ ዘእተዋ ቢትያ ጓል ፈርኦን
እዮም። 19 ደቂ ሰበይቲ ሆድያ ሓብቲ ነሓም ከኣ ኣቦ ቅዒላ ጋርማውን ኤሽተሞዓ መዓካታውን እዮም። 20
ደቂ ሺሞን ድማ፡ ኣምኖንን ሪናን ቤንሓናንን ቲሎንን። ደቂ ዩሽዒ ኸኣ፡ ዞሔትን ቤንዞሔትን። 21 ደቂ
ሼላ ወዲ ይሁዳ፡ ዔር ኣቦ ሌካን ላዕዳ ኣቦ ማሬሻን ዓሌታት ቤት ዓየይቲ ልሕጺ እንጣጢዕ ካብ ቤት
ኣዓቤዓን፡ 22 ዮቂምን ሰብ ኮዜባን፡ እቶም ኣብ ሞኣብ ዚግዝኡ ዝነበሩ ዮኣሽን ሳራፍን፡ ያሹቢለሔም
ከኣ። እዚ ግና ናይ ቀደም ዛንታ እዩ። 23 እዚኣቶም ኣብ ነታዒምን ግደራን ዚነብሩ ሰራሕቲ መሬት ነበሩ፡
ምስ ንጉስ ኣብ ዕዮኡ ኣብኡ ይቕመጡ ነበሩ። 24 ደቂ ስምኦን፡ ነሙኤል፡ ያሚን ከኣ፡ ያሪብ፡ ዜራሕ፡
ሻኡል፡ 25 ሻሉም ወዲ፡ ሚብሳም ወዱ፡ ሚሽማዕ ወዱ። 26 ደቂ ሚሽማዕውን፡ ሓሙኤል ወዱ፡ ዛኩር
ወዱ፡ ሺምዓ ወዱ። 27 ሺምዒ ድማ ዓሰርተው ሹድሽተ ኣወዳትን ሹድሽተ ኣዋልድን ነበርዎ። ነቶም
ኣሕዋቱ ግና ብዙሕ ውሉድ ኣይነበርዎምን፡ ብዘሎ ዓሌቶም ከኣ ክንዲ ደቂ ይሁዳ ኣይሰሰነን። 28
ንሳቶም ኣብ ብኤርሸባዕን ሞላዳን ሓጻርሹዕልን፡ 29 ኣብ ቢልሃን ኣብ ዔጸምን ኣብ ቶላድን፡ 30 ኣብ
ቤቱኤልን ኣብ ሖርማን ኣብ ጺቅላ ግን፡ 31 ኣብ ቤትማርካቦትን ኣብ ሓጻርሱሲምን ኣብ ቤትብርኢን ኣብ
ሸዓራይን ይቕመጡ ነበሩ። ዳዊት ክሰዕ ዚነግስ ከተማታቶም እዚኣተን ነበራ። 32 ዓድታቶም ድማ
ዔጣምን ዓዪንን ሪሞንን ቶኬንን ዓሻንን፡ ሓሙሽተ ኸተማ፡ 33 እተን ኣብ ዙርያ እዘን ከተማታት እዚኤን
ክሳዕ በዓል ዘለዋ ኵለን ዓድታቶም እየን። ዚነብርወን ዝነበሩ እዚኣተን እየን። መጽሓፍ ወለዶኦም ከኣ

ነበሮም። 34 መሾባብን ያምሌክን ዮሻ ወዲ ኣማስያን፡ 35 ዮኤልን የሁ ወዲ ዮሺብያ፡ ወዲ ሰራያ፡ ወዲ
ዓሲኤልን፡ 36 ኤልዮዔናይን ያዓቆባን ይሾሓያን ዓሳያን ዓዲኤልን የሲሚኤልን ብናያን፡ 37 ዚዛ ወዲ
ሺፍዒ፡ ወዲ ኣሎን፡ ወዲ የዳያ፡ ወዲ ሺምሪኢ፡ ወዲ ሸማዕያ። 38 እዞም ብስሞም እተረቘሑ ኣብ
ዕዓሌቶም ሹማምቲ ነበሩ። ማይ ቤት ኣቦታቶም ድማ በዚሖም ተዘርግሑ። 39 ንመጓሴኦም መጓሰዪ
ምእንቲ ኺረኽቡ፡ በቲ ንጌዶር ዜእቱ ኣቢሎም፡ ክሳዕ ምብራቕ እቲ ለሰ ኸዱ። 40 መጓሰዪ ኸኣ
ልምልምትን ጽብቕትን ሸኻ ረኸቡ። እቶም ቀደም ኣብኣ ዚቕመጢ ዝነበሩ ኻብ ካም ነበሩ እሞ፡
ህድኣትን ሰላምን ዘለዋ ገፋሕ ሃገር ነበረት። 41 እዞም በብስሞም እተጻሕፉ ኸኣ ብዘመን ህዝቅያስ ንጉስ
ይሁዳ መጺኦም ናብ ድንኳውንቶም ሓደጋ ወደቕዎም። ኣብኡ ንተረኽቡ መዓናውያን ድማ ክሳዕ ሎሚ
ኣጽነትዎም። ኣብኣ ንመጓሴኦም ዚኸውን መጓሰዪ ነበረ እሞ፡ ኣብ ክንዳኦም ተቐመጥዋ። 42 ገለ
ኻባታቶም ድማ፡ ካብ ደቂ ስምኦን ሓሙሽተ ሚእቲ ሰባት ናብ ከረን ሰዔር ከዱ፡ ሓላቓኦም ከኣ ደቂ
ዪሽዒ ፈላጥያን ነዓርያን ረፋያን ዑዚኤልን እዮም። 43 ነቶም ካብ ኣማሌቃውያን ዘምለጡ ትርፎፍያ
ቐቲሎም ድማ ክሳዕ ሎሚ ኣብኣ ተቐሚጦም ኣለው።

# ምዕራፍ 5

1 ደቂ ሮቤል በዅሪ እስራኤል ድማ፡ እቲ በዅሪ ንሱ ነበረ፡ መንጸፍ ኣቦኡ ስለ ዘርከሰ ግና፡ እታ
ብዅርናኡ ንደቂ ዮሴፍ ወዲ እስራኤል ተዋህበት፡ ግናኸ ኣብ መጽሓፍ ወለዶስ ከም በዅሪ
ኣይተጻሕፈን። 2 ይሁዳ ደኣ ኣብ ማእከል ኣሕዋቱ ሰልጠነ፡ እቲ መስፍን ከኣ ካብኡ መጸ፡ ብዅርና ግና
ናይ ዮሴፍ ነበረ። 3 ደቂ ሮቤል በዅሪ እስራኤል፡ ሓኖክን ፋሉን ሔጽሮንን ካርሚን። 4 ደቂ ዮኤል፡
ሸማዕያ ወዱ፡ ጎግ ወዱ፡ ሺማዒ ወዳ 5 ሚካ ወዱ፡ ረኣያ ወዱ፡ ባዓል ወዱ፡ 6 ብኤራ ወዱ፡ እቲ
ቲልጋትጺልንኤሰርር ንጉስ ኣሶራውያን ዝማረኾ፡ ንሱ ሹም ሮቤላውያን ነበረ። 7 ኣሕዋቱ ድማ
በብዓሌታቶም ወለዶታቶም ምስ ተጻሕፈ፡ የዒኤል እቲ ሓለቓን ዘካርያስን፡ 8 ድማ ቤላዕ ወዲ ዓዛዝ፡
ወዲ ሸማዕ፡ ወዲ ዮኤል፡ ንሱ ኣብ ዓሮዔር ክሳዕ ኔቦን በዓልመዖንን ተቐመጠ። 9 መጓሴታቶም ኣብ ሃገር
ጊልዓድ በዚሔን ነበራ እሞ፡ ብወገን ምብራቕ ድማ ካብ ርባ ኤፍራጥስ ክሳዕ እቲ ንበረኻ ዜእቱ
ይቕመጥ ነበረ። 10 ብዘመን ሳኦል ምስ ሃግራውያን ተዋግኡ ኣብ ኢዶም ድማ ወደቑ፡ ኣብ ብዘሎ
ምብራቕ ጊልዓድ ከኣ ኣብ ድንኳውንቶም ተቐመጡ። 11 ደቂ ጋድ ድማ ኣብ መንጽሮም ኣብ ምድሪ ባሳን
ክሳዕ ሳልኮ ተቐመጡ፡ 12 ዮኤል ሓለቓ፡ ሻፋም ከኣ ካልኣይ፡ ያዕናያን ሻፋጥን ድማ ኣብ ባሳን። 13
ኣሕዋቶም ከኣ በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ሚካኤልን መሹላምን ሸባዕን ዮራይን ያዕካንን ዚዓን ዔበርን፡
ሾብዓተ እዮም። 14 እዚኣቶም ደቂ ኣቢሓይል፡ ወዲ ሑሪ፡ ወዲ ያሮዓሕ፡ ወዲ ጊልዓድ፡ ወዲ ሚካኤል፡
ወዲ የሺሻይ፡ ወዲ ያሕዶ፡ ወዲ ያሕዶ፡ ወዲ ቡዝ እዮም። 15 ኣሒ ወዲ ዓብዲኤል፡ ወዲ ጉኒ፡ ዋና ማይ
ቤት ኣቦታቶም ነበረ። 16 ንሳቶም ኣብ ጊልዓድን ኣብ ባሳንን ኣብ ኣቝሻታን ኣብ ኲሉ መጓሰዪታት ሳሮን
ክሳዕ ወሳሰና ይቕመጡ ነበሩ። 17 ኲላቶም ብዘመን ዮታም ንጉስ ይሁዳን ብዘመን የሮብዓም ንጉስ
እስራኤልን ኣብ መጽሓፍ ወለዶ ተጽሒፎም። 18 ደቂ ሮቤል ጋዳውያንን ፈረቓ ነገድ ምናሴን ጀጋኑ፡
ዋልታን ሴፍን ዜልዕሉ፡ ቀስቲ ኸኣ ዚግትሩ ምሁራት ውግእ፡ ኣብ ውግእ ዚወጹ ሰባት ኣርብዓን
ኣርባዕተን ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ስሳን ነበሩ። 19 ንሳቶም ድማ ምስ ሃግራውያን ምስ የጡርን ናፊሽን
ኖዳብን ተዋግኡ። 20 ረድኤት ከኣ ረኸቡ፡ ሃግራውያንን እቶም ምሳታቶም ዝነበሩ ዅሎምን ከኣ ኣብ
ኣእዳዎም ተዋህቡ፡ በታ ጊዜ ውግእ ናብ ኣምላኽ ተማህለሉ እሞ፡ ብእኡ ስለ ዝኣመኑ ኸኣ ሰምዖም። 21

መዃሴታቶም ድማ ዘመቱ፡ ሓምሳ ሽሕ ገመልን ክልተ ሚእትን ሓምሳን ሽሕ በጊዕን ክልተ ሽሕ ኣድግን
ሚእቲ ሽሕ ነፍሲ ሰብን ወሰዱ። 22 እቲ ውግእ ካብ ኣምላኽ ነበረ እሞ፡ ብዙሓት ተወጊኦም ወደቑ።
ድሕርዚ ኸኣ እዚኣቶም፡ ክሳዕ ዘመን ምርኮ ኣብ ስፍሮም ተቐመጡ። 23 ፈረቓ ነገድ ደቂ ምናሴ ድማ
ኣብታ ሃገር እቲኣ ይቕመጡ ነበሩ፡ ካብ ባሳን ክሳዕ በዓልሔርሞንን ሰኒርን ከረን ሔርሞንን በዝሑ። 24
ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታቶም ድማ፡ እዚኣቶም እዮም፡ ዔፈርን ይሽዒን ኤሊኤልን ዓዝሪኤልን የርሚያን
ሆዳውያን ያሕዲኤልን፡ ሓያላት ጀጋኑ ሰባት፡ ስሙያት ሰባት፡ ነናይ ማይ ቤት ኣቦታቶም ዋናታት ነበሩ።
25 ንኣምላኽ ኣቦታቶም ዐልዮም ከኣ ደድሕሪ ኣማልኽቲ እቶም ኣምላኽ ካብ ቅድሚኦም ዘጥፍኦም
ህዝብታት እታ ሃገር መንዘሩ። 26 ኣምላኽ እስራኤል ድማ መንፈስ ጱል ንጉስ ኣሶርን መንፈስ
ቲልጋትጲልነሰር ንጉስ ኣሶርን ኣተንሲኡ፡ ንቶም ህዝቢ፡ ንሮቤላውያንን ንጋዳውያንን ንፈረቓ ነገድ
ምናሴን ማሪኹ፡ ክሳዕ ሎሚ ናብ ሓላሕን ናብ ሓባርን ናብ ሃራእን ናብ ርባ ጎዛንን ኣእተዎም።

## ምዕራፍ 6

1 ደቂ ሌዊ፡ ጌርሾምን ቀሃትን መራሪን። 2 ደቂ ቀሃት ድማ፡ ኣምራምን ይጽሃርን ሔብሮንን ዑዚኤልን። 3
ደቂ ኣምራም ከኣ፡ ኣሮንን ሙሴን ሚርያምን። ደቂ ኣሮን ድማ፡ ናዳብን ኣቢሁን ኣልኣዛርን ኢታማርን። 4
ኣልኣዛር ንፊንሃስ ወለደ። ፊንሃስ ንኣቢሹዓ ወለደ። 5 ኣቢሹዓ ኸኣ ንቡቂ ወለደ። ቡቂ ድማ ንዑዚ
ወለደ። 6 ዑዚ ኸኣ ንዜራሕያ ወለደ። ዜራሕያ ድማ ንመራዮት ወለደ። 7 መራዮት ንኣማርያ ወለደ።
ኣማርያ ኸኣ ንኣሒጡብ ወለደ። 8 ኣሒጡብ ድማ ንጻዶቅ ወለደ። ጻዶቅ ከኣ ንኣሒማዓጽ ወለደ። 9
ኣሒማዓጽ ድማ ንኣዛርያ ወለደ። ኣዛርያ ኸኣ ንዮሓናን ወለደ። 10 ዮሓናን ድማ ንኣዛርያ ወለደ፡ ንሱ
ኣብታ ሰሎሞን ኣብ የሩሳሌም ዝሰርሓ ቤትስ ካህን ዝነበረ እዩ። 11 ኣዛርያ ኸኣ ንኣማርያ ወለደ። ኣማርያ
ድማ ንኣሒጡብ ወለደ። 12 ኣሒጡብ ከኣ ንጻዶቅ ወለደ። ጻዶቅ ድማ ንሻሉም ወለደ። 13 ሻሉም ከኣ
ንሒልቂያ ወለደ። ሒልቂያ ድማ ንኣዛርያ ወለደ። 14 ኣዛርያ ኸኣ ንሰራያ ወለደ። ሰራያ ድማ ንይሆጻዳቅ
ወለደ። 15 ይሆጻዳቅ ከኣ፡ በቲ እግዚኣብሄር ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ብኢድ ነቡካድነጻር ኪማርኾን ከሎ፡
ተማሪኹ ኸደ። 16 ደቂ ሌዊ፡ ጌርሾምን ቀሃትን መራሪን። 17 ስም ደቂ ገርሾም ድማ እዚ እዩ፡ ሊብኒን
ሽምዒን። 18 ደቂ ቀሃት ከኣ፡ ኣምራምን ይጽሃርን ሔብሮንን ዑዚኤልን። 19 ደቂ መራሪ፡ መሕሊን
ሙሺን። ዓሌታት ሌዋውያን ድማ በብማይ ቤት ኣቦታቶም እዚኣቶም እዮም፡ 20 ካብ ጌርሾም፡ ሊብኒ
ወዱ፡ ያሓት ወዱ፡ ዚማ ወዱ፡ 21 ዮኣሕ ወዱ፡ ዒዶ ወዱ፡ ዜራሕ ወዱ፡ ይኣትራይ ወዱ። 22 ደቂ ቀሃት፡
ኣሚናዳብ ወዱ፡ ቆራሕ ወዱ፡ ኣሲር ወዱ፡ 23 ኤልቃና ወዱ፡ ኤብያሳፍ ድማ ወዱ፡ ኣሲርውን ወዱ፡ 24
ታሓት ወዱ፡ ኡርኤል ወዱ፡ ዑዝያ ወዱ፡ ሻኡል ወዱ። 25 ደቂ ኤልቃና ኸኣ፡ ዓማሳይን ኣሒሞትን። 26
ኤልቃና፡ ደቂ ኤልቃና፡ ጾፋይ ወዱ፡ ናሓት ወዱ፡ 27 ኤልያብ ወዱ፡ ይሮሓም ወዱ፡ ኤልቃና ወዱ። 28
ደቂ ሳሙኤል ድማ፡ እቲ በኽሪ ዋሽኒ፡ ኣብያ ኸኣ። 29 ደቂ መራሪ፡ ማሕሊ፡ ሊብኒ ወዱ፡ ሺምዒ ወዱ፡
ዑዛ ወዱ፡ 30 ሺምዓ ወዱ፡ ሓጊያ ወዱ፡ ዓስያ ወዱ። 31 እቲ ታቦት ምስ ዐረፈ፡ ዳዊት ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር መራሕቲ መዝሙር ኪኾኑ ዘቘሞም ድማ እዚኣቶም እዮም። 32 ንሳቶም፡ ሰሎሞን ኣብ
የሩሳሌም ቤት እግዚኣብሄር ክሳዕ ዚሰርሕ፡ ኣብ ቅድሚ ማሕደር ድንኳን ምርኻብ ኰይኖም፡
ብመዝሙር የገልግሉ ነበሩ። ከምቲ እተሰርዓሎም ድማ፡ ኣብ ኣኣገልግሎቶም ይቘሙ ነበሩ። 33 እቶም
ምስ ደቆም ኰይኖም ዚቘሙ ዝነበሩ እዚኣቶም እዮም፡ ካብ ደቂ ቀሃታውያን፡ ሄማን ዘማሪ፡ ወዲ
ዮኤል፡ ወዲ ሳሙኤል፡ 34 ወዲ ኤልቃና፡ ወዲ ይሮሓም፡ ወዲ ኤሊኤል፡ ወዲ ቶዓሕ፡ 35 ወዲ ጹፍ፡ ወዲ

ኤልቃና፡ ወዲ ማሓት፡ ወዲ ዓማሳይ። 36 ወዲ ኤልቃና፡ ወዲ ዮኤል፡ ወዲ ኣዛርያ፡ ወዲ ጾፎንያ፡፡፡ 37
ወዲ ጣሓት። ወዲ ኣሲር፡ ወዲ ኤብያሳፍ፡ ወዲ ቆራሕ፡ 38 ወዲ ይጽሃር፡ ወዲ ቀሃት፡ ወዲ ሌዊ፡ ወዲ
እስራኤል። 39 ብየማኑ ዝቘመ ኸኣ ሓው ኣሳፍ እዩ፡ ኣሳፍ ወዲ በረክያ፡ ወዲ ሺምኣ፡ 40 ወዲ ሚካኤል፡
ወዲ ባዕሴይ፡ ወዲ ማልክያ፡ 41 ወዲ ኤትኒ፡ ወዲ ዜራሕ፡ ወዲ ዓዳያ፡ 42 ወዲ ኤታን፡ ወዲ ዘማ፡ ወዲ
ሺምዒ፡ 43 ወዲ ያሓት፡ ወዲ ጌርሾም፡ ወዲ ሌዊ። 44 ብጸጋም ድማ ኣሕዋቶም ደቂ መራሪ። ኤታን ወዲ
ቂሽ፡ ወዲ ዓብዲ፡ ወዲ ማሉክ፡ 45 ወዲ ሓሻብያ፡ ወዲ ኣማጽያ፡ ወዲ ሒልቂያ፡ 46 ወዲ ኣምጺ፡ ወዲ
ባኒ፡ ወዲ ሻመር፡ 47 ወዲ ማሓሊ፡ ወዲ ሙሺ፡ ወዲ መራሪ፡ ወዲ ሌዊ። 48 እቶም ኣሕዋቶም ሌዋውያን
ድማ ንኹሉ ኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ ተዋህቡ። 49 ኣሮንን ደቁን ግና ንኹሉ ኣገልግሎት ቅድስተ
ቅዱሳንን ንምትዕራቕ እስራኤልን፡ ከምቲ ሙሴ ባርያ ኣማላኽ ዝኣዘዞ ኹሉ ገይሮም ኣብቲ መሰውኢ
ምሕራርን ኣብ መሰውኢ ዕጣንን ይዐጥኑ ነበሩ። 50 ደቂ ኣሮን ከኣ እዚኣቶም እዮም፡ ኣልኣዛር ወዱ፡
ፊንሃስ ወዱ፡ ኣቢሹዓ ወዱ፡ 51 በቂ ወዱ፡ ዑዚ ወዱ፡ ዘራሕያ ወዱ፡ 52 መራዮት ወዱ፡ ኣማርያ ወዱ፡
ኣሒጡብ ወዱ፡ 53 ጻዶቅ ወዱ፡ ኣሒማዓጽ ወዱ። 54 እቲ መቐመጢታቶም ከኣ በብሰፈሮም ኣብ
ደዶባቶም እዚ እዩ፡ ንደቂ ኣሮን ካብ ዓሌታት ቀሃታውያን፡ ቀዳማይ ዕጭ ንኣታቶም በጺሑ እዩ እሞ፡ 55
ሔብሮን ናይ ሃገር ይሁዳን ኣብ ዙርያኣ ዘለዋ ኣቕኣሻታን ሀብዎም፡ 56 ናይ እታ ኸተማ ግራሁን
ዓድታተንን ግና ንካሌብ ወዲ የፉኔ ሀብዎ። 57 ንደቂ ኣሮን ድማ እተን ከተማታት መዕቈቢ ሀብዎም፡
ሔብሮን፡ ሊብና ኸኣ ምስ ኣቕኣሻታ፡ ያጢርን ኤሽተማዓ ምስ ኣቕኣሻታን፡ 58 ሒለን ምስ ኣቕኣሻታ፡ ደቢር
ምስ ኣቕኣሻታ፡ 59 ዓሻን ድማ ምስ ኣቕኣሻታ፡ ቤትሸመሽ ከኣ ምስ ኣቕኣሻታ ሀብዎም። 60 ካብ ነገድ
ብንያምውን፡ ጌባዕ ምስ ኣቕኣሻታን ዓለመት ምስ ኣቕኣሻታን ዓናቶት ምስ ኣቕኣሻታን። ኲለን
ከተማታቶም ከም ዓሌታቶም ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማታት ነበራ። 61 ነቶም ዝተረፉ ደቂ ቀሃት ድማ፡
ካብ ዓሌት እቲ ነገድ፡ ካብ ፈረቓ እቲ ነገድ፡ ፈረቓ ምናሴ፡ ብዕጭ ዓሰርተ ኸተማ ሀብዎም። 62 ንደቂ
ጌርሾም ከኣ ከከም ዓሌታቶም ካብ ነገድ ይሳኮርን ካብ ነገድ ኣሴርን ካብ ነገድ ንፍታሌምን ካብ ነገድ
ምናሴ ኣብ ባሳን ዘለዋን ዓሰርተው ሰለስተ ኸተማ ሀብዎም። 63 ንደቂ መራሪ ኸከም ዓሌቶም ካብ ነገድ
ሮቤልን ካብ ነገድ ጋድን ካብ ነገድ ዛብሎንን ብዕጭ ዓሰርተው ክልተ ኸተማ ሀብዎም። 64 እቶም ደቂ
እስራኤል ከኣ እተን ከተማታት ምስ ኣቕኣሻተን ንሌዋውያን ሀብዎም። 65 ድማ ካብ ነገድ ደቂ ይሁዳን
ካብ ነገድ ደቂ ስምኦንን ካብ ነገድ ደቂ ብንያምን እዘን ስም ዘውጽኡለን ከተማታት ብዕጭ ሀብዎም። 66
ንገሊኦም ካብ ዓሌታት ደቂ ቀሃት ከኣ ካብ ነገድ ኤፍሬም ናብ ምድሮም ከተማታት ነበራኦም። 67 ነተን
ከተማታት መዕቈቢ ድማ ሀብዎም፡ ኣብ ከረን ኤፍሬም ሰኬም ምስ ኣቕኣሻታ፡ ገዘር ከኣ ምስ ኣቕኣሻታ፡
68 ዮቅመዓም ምስ ኣቕኣሻታን ቤትሖሮን ምስ ኣቕኣሻታን፡ 69 ኣያሎን ምስ ኣቕኣሻታን ጋትሪሞን ምስ
ኣቕኣሻታን፡ 70 ካብ ፈረቓ ነገድ ምናሴ ድማ ነቶም ዝተረፉ ኻብ ዓሌት ደቂ ቀሃት፡ ዓኔር ምስ ኣቕኣሻታን
ቢልዓም ምስ ኣቕኣሻታን። 71 ንደቂ ጌርሾም ካብ ዓሌት ፈረቓ ነገድ ምናሴ፡ ጎላን ኣብ ባሳን ዘላ ምስ
ኣቕኣሻታን፡ 72 ካብ ነገድ ይሳኮርውን፡ ቃዴስ ምስ ኣቕኣሻታ፡ ደብራት ምስ ኣቕኣሻታ፡ 73 ራሞት ምስ
ኣቕኣሻታን ዓኔም ምስ ኣቕኣሻታን፡ 74 ካብ ነገድ ኣሴር ድማ ማሻል ምስ ኣቕኣሻታን ዓብዶን ምስ
ኣቕኣሻታን፡ 75 ሑቆቅ ምስ ኣቕኣሻታን ሬሖብ ምስ ኣቕኣሻታን፡ 76 ካብ ነገድ ንፍታሌም ከኣ፡ ቃዴስ ኣብ
ገሊላ ዘላ ምስ ኣቕኣሻታን ሓሞን ምስ ኣቕኣሻታን ቂርያታይም ምስ ኣቕኣሻታን ሀብዎም። 77 ነቶም
ዝተረፉ፡ ንደቂ መራሪ፡ ካብ ነገድ ዛብሎን፡ ሪሞን ምስ ኣቕኣሻታን፡ ታቦር ምስ ኣቕኣሻታ ሀብዎም። 78
ኣብ ስግር ዮርዳኖስ ኣብ መንጽር ያሪኮ፡ ብምብራቕ ዮርዳኖስ ከኣ፡ ካብ ነገድ ሮቤል እታ ኣብ በረኻ ዘላ
በጸር ምስ ኣቕኣሻታን ያሕጻ ምስ ኣቕኣሻታን፡ 79 ቀዴሞት ምስ ኣቕኣሻታን ያሕጺ ምስ ኣቕኣሻታን

ሜፋዓትን ምስ ኣቕሽታን፡ 80 ካብ ነገድ ጋድ ድማ ራሞት ናይ ጊልዓድ ምስ ኣቕሽታን መሓናይም ምስ
ኣቕሽታን፡ 81 ሔስቦን ምስ ኣቕሽታን ያዕዜር ምስ ኣቕሽታን ሀብዎም።

## ምዕራፍ 7

1 ደቂ ይሳኮር ድማ ቶላዕን ፉኣን ያሹብን ሺምሮንን፡ ኣርባዕተ እዮም። 2 ደቂ ቶላዕ ከኣ፡ ዑዚን ረፋያን
የሪኤልን ያሕማይን ይብሳምን ሸሙኤልን፡ ናይ ቶላ፡ ነናይ ማይ ቤት ኣቦታቶም ዋናታት፡ በብወለዶኦም
ሓያላት ጀጋኑ፡ ቍጽሮም ብዘመን ዳዊት ዕስራን ክልተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ነበረ። 3 ደቂ ዑዚ ድማ
ይዝራሕያ፡ ደቂ ይዝራሕያ ኸኣ ሚካኤልን ዖባድያን ዮኤልን ይሺያን፡ ሓሙሽተ እዮም፡ ኲላቶም ድማ
ሓላቒ ነበሩ። 4 ምስ እዚኣቶም ድማ በብወለዶኦም በብማይ ቤት ኣቦታቶም ጭፍራታት ናይ ውግእ
ሰራዊት ሰላሳን ሹድሽተን ሽሕ ሰብ ነበሩ፡ እምበኣርሲ ኣንስትን ቈላዑን ብዙሓት ነበርዎም። 5 ኣሕዋቶም
ድማ ኣብ ኲሎም ዓሌታት ይሳኮር ሓያላት ጀጋኑ፡ ኲላቶም ኣብ መጽሓፍ ወለዶ እተቘጽሩ ሰማንያን
ሾብዓተን ሽሕ ነበሩ። 6 ደቂ ብንያም፡ ቤላዕን በኬርን የዲዓኤልን፡ ሰለስተ እዮም። 7 ደቂ ቤላዕ ከኣ፡
ኤጽቦንን ዑዚን ዑዚኤልን ይሪሞትን ዒሪን፡ ሓሙሽተ፡ ኣብ መማይ ቤት ኣቦታቶም ዋናታት፡ ሓያላት
ጀጋኑ፡ ኣብ መጽሓፍ ወለዶ እተቘጽሩ ዕስራን ክልተን ሽሕን ሰላሳን ኣርባዕተን ነበሩ። 8 ደቂ በኬር ከኣ፡
ዘሚራን ዮዓሽን ኤልዔዝርን ኤልዮዔናይን ዖምሪን ይሬሞትን ኣቢያን ዓናቶትን ዓለመትን። እዚኣቶም
ኲሎም ደቂ በኬር እዮም። 9 ዋናታት መማይ ቤት ኣቦታቶም ኲይኖም በብወለዶኦም ኣብ መጽሓፍ
ወለዶ ተቘጽሩ፡ ሓያላት ጀጋኑ ድማ ዕስራ ሽሕን ክልተ ሚእትን ነበሩ። 10 ደቂ የዲዓኤል ከኣ፡ ቢልሃን።
ደቂ ቢልሃን ድማ፡ የዑሽን ብንያምን ኤሁድን ከነዓናን ዜታንን ታርሺሽን ኣሒሻሓርን። 11 እዚኣቶም
ኲሎም ደቂ የዲዓኤል ኣብ መማይ ቤት ኣቦታቶም ዋናታት፡ ሓያላት ጀጋኑ፡ ምስቲ ስራዊት ንውግእ
ዚወጹ ዓሰርተው ሾብዓተ ሽሕን ክልተ ሚእትን ነበሩ። 12 ሹጲምን ሑጲምን ድማ ደቂ ዒር፡ ሑሽም ከኣ
ደቂ ኣሔር እዮም። 13 ደቂ ንፍታሌም፡ ያሕጺኤልን ጉኒን የጸርን ሻሉምን፡ ደቂ ቢልሃ። 14 ደቂ ምናሴ
ኣስሪኤል እዩ፡ እታ ሶርያዊት ሰበይቲ ወሰኑ ንማኪር ኣቦ ጊልዓድ ወለደት። 15 ማኪር ከኣ ማዓካ ዝስማ
ሰበይቲ ኣእተወ፡ ንሳ ሓብቲ ሑጲምን ሹጲምን እያ።ስም እቲ ኻልኣይ ወዱ ድማ ጽሎፍሓድ እዩ።
ጽሎሓድ ከኣ ኣዋልድ ነበራኦ። 16 ማዓካ ሰበይቲ ማኪር ድማ ወዲ ወለደት፡ ስሙ ኸኣ ጰረሽ
ኣውጽኣትሉ፡ ስም ሓው ድማ ሸረሽ፡ ደቁ ኸኣ ዑላምን ራቀምን እዮም። 17 ደቂ ዑላም ድማ በዳን።
እዚኣቶም ደቂ ጊልዓድ ወዲ ማኪር፡ ወዲ ምናሴ፡ እዮም። 18 ሓብቱ ሓሞለከት ከኣ ንኢሽሆድን
ንኣቢዔዘርን ንማሕላን ወለደት። 19 ደቂ ሸሚዳዕ ድማ ኣሕያንን ሸከምን ሊቅሒን ኣኒዓምን እዮም። 20
ደቂ ኤፍሬም ከኣ፡ ሹተላሕን ቤረድ ወዱን ታሓት ወዱን ኤልዓዳ ወዱን ታሓት ወዱን፡ 21 ዛባድ ወዱን
ሹተላሕ ወዱን፡ ዔዘርን ኤልዓድን፡ ንሳቶም ከብቶም ኪዘምቱ ወሪዶም ነበሩ እሞ፡ እቶም ኣብታ ሃገር
እተወልዱ ሰብ ጋት ቀተልዎም። 22 ኣቦኦም ኤፍሬም ከኣ ብዙሕ መዓልቲ ሐዘነ፡ ኣሕዋቱ ድማ
ኬጸናንዕዎ መጹ። 23 ናብ ሰበይቱ ኸኣ ኣተወ፡ ጠነሰት ድማ፡ ወዱውን ወለደት፡ ኣብ ቤቱ መከራ ስለ
ዝመጸ ኸኣ፡ ስሙ ብሪዓ ኣውጽኣሉ። 24 ጓሉ ድማ ሸኤራ፡ ንሳ ኸኣ ታሕታይን ላዕላይን ቤትሖሮንን
ዑዜንሸኤራን ሰርሐት። 25 ረፋሕ ወዱ ነበረ፡ ሬሸፍ ድማ። ቴላሕ ወዱ፡ ታሓን ወዱ፡ 26 ላዕዳን ወዱ፡
ዓሚሁድ ወዱ፡ ኤሊሻማዕ ወዱ፡ 27 ኔዊ ወዱ፡ እያሱ ወዱ። 28 ዝሐዝወንን እተቐመጥወንን ቤትኤልን
ከተማታትን፡ ብምብራቕ ከኣ ናዓራን፡ ብምዕራብውን ጌዘር ምስ ከተማታታ፡ ሴከምን ከተማታትን ድማ
ክሳዕ ጋዛን ከተማታትን። 29 ብዶብ ደቂ ምናሴ ኸኣ ቤትሸኣንን ከተማታታን፡ ታዕናክን ከተማታታን፡

መጊዶን ከተማታትን፡ ዶርን ከተማታታን። ኣብ እዚኣተን ደቂ ዮሴፍ ወዲ እስራኤል ተቐመጡ። [30] ደቂ
ኣሴር፡ ዪምናን ዩሽዋን ዩሽዊን ብሪዓን ሓብቶም ሰራሕን። [31] ደቂ ብሪዓ ኸኣ፡ ሔበርን ማልኪኤልን፡ ንሱ
ኣቦ ቢርዛዊት እዩ። [32] ሔበር ድማ ንያፍሌጥን ንሻመርን ንሖታምን ንሓብቶም ሹዓን ወለደ። [33] ደቂ
ያፍሌጥ ድማ ጳሳክን ቢምሃልን ዓሽዋትን፡ እዚኣቶም ደቂ ያፍሌጥ እዮም። [34] ደቂ ሻመር ከኣ፡ ኣሒን
ሮህጋን ሑባን ኣራምን። [35] ደቂ ሄላም ሓው ድማ፡ ጾፋሕን ይምናዕን ሼለሽን ዓማልን። [36] ደቂ ጾፋሕ፡
ሱሓን ሓርነፈርን ሹዓልን ቤሪን ዩምራን፡ [37] በጼርን ሆድን ሻማን ሺልሻን ዩትራንን ብኤራን። [38] ደቂ
የተር ከኣ፡ የፉነን ፊስጳን ኣራን። [39] ደቂ ዑላ ድማ፡ ኣራሕን ሓኒኤልን ሪጽያን። [40] እዚኣቶም ኲሎም ደቂ
ኣሴር፡ ዋናታት መማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ሕሩያት፡ ሓያላት ጀጋኑ፡ ሓላቑ ሹማምቲ ነበሩ። ቊጽሪ እቶም
ኣብ ሰራዊት ወግእ ኪኸዱ ኣብ መጽሓፍ ወለዶ እተጻሕፉ ድማ ዕስራን ሹድሽተን ሽሕ እዮም።

## ምዕራፍ 8

[1] ብንያም ድማ ንቤላዕ በዅሩ ወለደ፡ ካልኣይ ኣሽቤል፡ ሳልሳይ ከኣ ኣሕራሕ፡ [2] ራብዓይ ኖሓ፡ ሓምሳይ
ድማ ራፋ። [3] ቤላዕ ከኣ ደቂ ነበርዎ፡ ኣዳርን ጌራን ኣቢሁድን፡ [4] ኣቢሹዓን ናዕማንን ኣሖኣሕን፡ [5] ጌራን
ሸፉፋንን ሑራምን። [6] እዚኣቶም ደቂ ኤሑድ እዮም፡ እዚኣቶም ነቶም ኣብ ጌባዕ እተቐመጡ ኣብ መማይ
ቤት ኣቦታቶም ዋናታት እዮም። ናብ ማናሓት ድማ ማረኽዎም። [7] ናዕማንን ኣሕያን ጌራን ከኣ፡ ንሱ
ማረኾም፡ ንዑዛን ንኣሒሑድን ድማ ወለደ። [8] ሸሓራዪም ከኣ ነተን ኣንስቱ ሑሺምን ባዓራን ምስ
ፈትሔን፡ ኣብ ሞኣብ ደቂ ወለደ። [9] ካብ ሖደሽ ሰበይቱ ኸኣ ንዮባብን ንጺብያን ንሜሻን ንማልካምን፡ [10]
ንየዑጽን ንሻኽያን ንሚርማን ወለደ። እዚኣቶም ደቂ፡ ዋናታት መማይ ቤት ኣቦታቶም ነበሩ። [11] ካብ
ሑሺም ከኣ ንኣቢጡብን ንኤልጳዓልን ወለደ። [12] ደቂ ኤልጳዓል ድማ፡ ዔበርን ሚሽዓምን ሻመርን፡ ንሱ
ንኦኖን ንሎድ ምስ ከተማታታን ዝሰርሐ እዩ። [13] ብሪዓን ሸማዕን ከኣ፡ ንሳቶም ነቶም ኣብ ኣያሎን
ዚቐመጡ ዋናታት መማይ ቤት ኣቦታቶም ነበሩ፡ ንሳቶም ነቶም ኣብ ጋት ዚቐመጡ ሰጐጒዎም። [14]
ኣሕዮን ሻሻቅን ያሬሞትን፡ [15] ዘባድያን ዓራድን ዔደርን፡ [16] ሚካኤልን ዩሽጳን ዮሓን ድማ ደቂ ብሪዓ
እዮም። [17] ዘባድያን መሹላምን ሒዝቒን ሔበርን፡ [18] ዩሽመራይን ዩዝሊያን ከኣ ደቂ ኤልጳዓል እዮም። [19]
ያቂምን ዚክሪን ዛብዲን፡ [20] ኤሊዔናይን ጺልታይን ኤሊኤልን፡ [21] ዓዳያን በራያን ሺምራትን ድማ ደቂ
ሽምዒ እዮም። [22] ይሽጳንን ዔበርን ኤሊኤልን፡ [23] ዓብዶንን ዚክሪን ሓናንን፡ [24] ሃናንያን ዔላምን
ዓንቶቲያን፡ [25] ዩፍድያን ጴኑኤልን ከኣ ደቂ ሻሻቅ እዮም። [26] ሻምሸራይን ሸሓርያን ዓታልያን፡ [27] የዓረሽያን
ኤሊያን ዚክሪን ድማ ደቂ የሮሓም እዮም። [28] እዚኣቶም ኣብ ወወለዶኦም በብማይ ቤት ኣቦታቶም
ዋናታት ሓላቑ ነበሩ፡ ንሳቶም ኣብ የሩሳሌም ይቕመጡ ነበሩ። [29] ኣቦ ጊብዖን ይቕመጥ ነበረ፡ ስም እታ
ሰበይቱ ኸኣ ማዓካ እዩ። [30] በዅሪ ወዱ ድማ ዓብዶን፡ ጹርን ቂስን በዓልን ናዳብን፡ [31] ጌዶርን ኣሕዮን
ዜክርን። [32] ሚቕሎት ከኣ ንሽምኣ ወለደ፡ እዚኣቶምውን ኣብ መንጽር እቶም ኣሕዋቶም፡ ኣብ የሩሳሌም
ምስ ኣሕዋቶም ተቐመጡ። [33] ኔር ድማ ንቂስ ወለደ፡ ቂስ ከኣ ንሳኦል ወለደ፡ ሳኦል ድማ ንዮናታንን
ንመልኪሹዓን ንኣቢናዳብን ንኤሽባዓልን ወለደ። [34] ወዲ ዮናታን ከኣ መሪብባዓል እዩ፡ መሪብባዓል
ድማ ንሚካ ወለደ። [35] ደቂ መካ ኸኣ፡ ጲቶንን መሌክን ታኣረዓን ኣሃዝን እዮም። [36] ኣሃዝ ድማ ንየሆዓዳ
ወለደ፡ የሆዓዳ ኸኣ ንዓለመትን ንኣዝማዌትን ንዚምሪን ወለደ፡ ዚምሪውን ንሞጻ ወለደ። [37] ሞጻ ድማ
ንቢንዓ ወለደ፡ ራፋ ወዱ፡ ኤልዓሳ ወዱ፡ ኣጼል ወዱ። [38] ኣጼል ከኣ ሹድሽተ ኣወዳት ነበርዎ፡ ስሞም
ድማ እዚ እዩ፡ ዓዝሪቃም፡ ቦክሩ፡ ኢስማኤል፡ ሼዓርያ፡ ዖባድያ፡ ሓናን፡ እዚኣቶም ኲሎም ደቂ ኣጼል

እዮም። 39 ደቂ ዔሼቅ ሓው ድማ፡ ኡላም በዅሪ፡ ካልኣይ የዑሽ፡ ሳልሳይ ከኣ ኤሊፈለጥ። 40 ደቂ
ኡላምውን ተባዓት ተዋጋእቲ፡ ምግታር ቀስቲ ዚኽእሉ ሰባት ነበሩ። ብዙሓት ደቅን ደቂደቅን ድማ፡
ሚእትን ሓምሳን፡ ነበርዎም። እዚኣቶም ኲሎም ካብ ብንያም እዮም።

## ምዕራፍ 9

1 ብዘሎ እስራኤል ድማ ኣብ መጽሓፍ ወለዶታት ተጻሕፈ። እንሆ ኸኣ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ነገስታት
እስራኤል ተጽሒፎም እዮም። ይሁዳ ድማ ብሰሪ ኣበሳኦም ናብ ባቢሎን ተማረኹ። 2 እቶም ቀዳሞት
ኣብ ረርስቶምን ኣብ ከከተማታቶምን ዚነብሩ ዝነበሩ ተቐማጦ ግና እስራኤልን ካህናትን ሌዋውያንን
ኔቲኒምን እዮም። 3 ኣብ የሩሳሌም ከኣ ካብ ደቂ ይሁዳን ካብ ደቂ ብንያምን ካብ ደቂ ኤፍሬምን ምናሴን
ይቕመጡ ነበሩ፡ 4 ዑታይ ወዲ ዓሚሁድ፡ ወዲ ዖምሪ፡ ወዲ ኢምሪ፡ ወዲ ባኒ፡ ካብ ደቂ ፋሬስ ወዲ
ይሁዳ። 5 ካብ ሲሎናውያን ድማ፡ ዓሳያ እቲ በዅርን ደቁን። 6 ካብ ደቂ ዜራሕ ከኣ፡ የጉኤልን እቶም
ኣሕዋቶምን፡፡ ሹድሽተ ሚእቲን ተስዓን። 7 ካብ ደቂ ብንያም ድማ፡ ሳሉ ወዱ መሹላም፡ ወዱ ሖዳውያ፡
ወዱ ሓዘኑኣ፡ 8 ዩብነያ ወዲ የሮሓም ከኣ፡ ኤላ ወዱ ዑዚ፡ ወዲ ሚክሪ ድማ፡ መሹላም ወዱ ሸፋጥያ፡
ወዲ ሬጉኤል፡ ወዲ ዩብኒያ ኸኣ፡ 9 ኣሕዋቶም ድማ ብወለዶታቶም ትሽዓተ ሚእትን ሓምሳን ሹድሽተን።
ኲሎም እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብ መማይ ቤት ኣቦታቶም ዋናታት በቤት ኣቦታቶም እዮም። 10 ካብ
ካህናት ድማ፡ የዳዕያን የሆያሪብን ያቂንን፡ 11 ዓዛርያውን ወዲ ሒልቂያ፡ ወዲ መሹላም፡ ወዲ ጻዶቕ፡
ወዲ መራዮት፡ ወዲ ኣሒጡብ፡ እቲ ራእሲ ቤት ኣማላኽ። 12 ዓዳያ ኸኣ ወዲ የሮሓም፡ ወዲ ፈሽሑር፡
ወዲ ማልኪያ፡ ማዕሳይ ድማ ወዲ ዓዲኤል፡ ወዲ ያሕዜራ፡ ወዲ መሹላም፡ ወዲ መሺሌሚት፡ ወዲ
ኢመር። 13 ኣሕዋቶም ከኣ እቶም ዋናታት መማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ስሳን፡ ኣብ
ዕዮ ኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ ኣዝዮም ንፉዓት ዝነበሩ ሰባት። 14 ካብ ሌዋውያን ድማ፡ ሸማዕያ ወዲ
ሓሹብ፡ ወዲ ዓዝሪቃም፡ ወዲ ሓሻብያ ኻብ ደቂ መራሪ፡ 15 ባቅባቃርን ሔረስን ጋላልን ማታንያ ኸኣ ወዲ
ሚካ፡ ወዲ ዚክሪ፡ ወዲ ኣሳፍ፡ 16 ዖባድያ ድማ ወዲ ሸማዕያ፡ ወዲ ጋላል፡ ወዲ የዱቱን፡ በረክያ ኸኣ
ወዲ ዓሳ፡ ወዲ እቲ ኣብ ዓድታት ነጦፋታውያን እተቐመጠ ኤልቃና። 17 ሓለውቲ ደገ ድማ፡ ሻሉምን
ዓቁብን ጣልሞንን ኣሒማንን ኣሕዋቶምን። ሻሉም ሓለቓ ነበረ። 18 ንሳቶም ክሳዕ ሕጂ ኣብታ ብወገን
ምብራቕ ዘላ ደገ ንጉስ ይጸንሑ ኣለው፡ እዚኣቶም ሓለውቲ ደገ ሰፈር ሌዊ እዮም። 19 ሻሉም ከኣ ወዲ
ቆሬ፡ ወዲ ኤብያሳፍ፡ ወዲ ቆራሕ፡ ምስቶም ካብ ቤት ኣቦኡ ዘበሉ ኣሕዋቱ ቆራሓውያን ኣብቲ ዕዮ
ኣገልግሎት ሓለውቲ ልዳውቲ ድንኳን ነበሩ፡ ኣቦታቶምውን ኣብቲ ሰፈር እግዚኣብሄር ሓለውቲ መእተዊ
ነይሮም እዮም። 20 ቀደም ከኣ ፊንሃስ ወዲ ኣልኣዛር ሓለቓኦም ነበረ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ምስኡ ነበረ። 21
ዘካርያስ ወዲ መሸለምያ ሓላው ኣፍ ደገ ድንኳን ምርኻብ ነበረ። 22 እዚኣቶም ኲሎም ኣብ ደጌታት
ሓለውቲ ኪኾኑ እተሐርዩ ኽልተ ሚእትን ዓሰርተው ክልተን ነበሩ። እዚኣቶም ኣብ ዐዓዶም ኣብ
መጽሓፍ ወለዶ ተጻሕፉ፡ ንኣታቶም ዳዊትን ሳሙኤል እቲ ረኣዩን ኣብ ኣገልግሎቶም ኣቘምዎም። 23
ንሳቶምን ደቆምን ከኣ ነቲ ደጌታት ቤት እግዚኣቢሄር፡ እቲ ናይ ድንኳን ቤት፡ ሓለውቲ ነበሩ። 24 እቶም
ሓለውቲ ደገ ኣብ ኣርባዕቲኤን ንፋሳት፡ ብምብራቕ፡ ብምዕራብ፡ ብሰሜን፡ ብደቡብ እዮም ዝነበሩ። 25
እቶም ኣብ ዐዓዶም ዚነብሩ ኣሕዋቶም ከኣ ኣብ ሰሳብዐይቲ መዓልቲ፡ ካብ ጊዜ ናብ ጊዜ ምሳታቶ
ኪኾኑ። ይመጹ ነበሩ። 26 ከመይሲ እዞም ሌዋውያን ዝነበሩ ኣርባዕተ ሓላቑ ሓለውቲ ደገ ወርትግ ሰብ
መዚ እዮም ዝነበሩ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ቤት ኣምላኽ ክፍልታትን መዝገባትን ከኣ ምዙዛት ነበሩ። 27

ምሕላው ናታቶም ነበረ እሞ፡ ኣብ ዙርያ ቤት ኣምላኽ ይሐድሩ ነበሩ። ንግሆ ንግሆ ድማ ምኽፋቱ
መዞም ነበረ። 28 ገሊኣቶም ኣብ ልዕሊ እቲ ኣቓሑ ኣገልግሎትሲ ሰብ መዙ ነበሩ እሞ፡ ቈጺሮም
የእትውዎ፡ ቈጺሮም ከኣ የውጽእዎ ነበሩ። 29 ገሊኣቶምውን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣቓሑ፡ ኣብ ብዘሎ ኣቓሑ
መቕደስ ዋናታት ነበሩ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ድኹም ሓርጭን ወይንን ዘይትን ዕጣንን ቀመማትን ከኣ
እተመዘዙ ነበሩ። 30 ካብቶም ደቂ ኻህናት ድማ ገሊኣቶም ካብቲ ጥዑም ዝጨናኡ ቐመማት ቅብኢ
የዳልው ነበሩ። 31 ማቲትያ ኸኣ ካብቶም ሌዋውያን፡ ንሱ በዀሪ ወዱ ንሻሉም ቈራሓዊ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ
ናይ ምስንካት ኣብ መቕሎ ዘሎ ዕዮ ምዙዝ ነበረ። 32 ካብ ኣሕዋቶም ድማ፡ ካብቶም ደቂ ቀሃታውያን፡
ገሊኣቶም ንሰንበት ሰንበት ኬዳልውዎ፡ ኣብ ልዕሊ እንጌራ ምርኣይ ነበሩ። 33 እቶም ዘማሮ ዝኾኑ ኣብቲ
ኽፍልታት ቤት ዚቕመጡ ዝነበሩ፡ ናይ ሌዋውያን ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት፡ ለይትን መዓልትን
ብዕዮኦም ትሑዛት ነበሩ እሞ፡ ካብ ካልእ ኣገልግሎት ሓራ ነበሩ። 34 እዚኣቶም በብወለዶኦም ኣሕሉቕ፡
በብማይ ቤት ኣቦታት ሌዋውያን ዋናታት እዮም፡ ንሳቶም ኣብ የሩሳሌም ይቕመጡ ነበሩ። 35 የዒኤል ኣቦ
ጊብዖን፡ ሰበይቱ መዓካ እትብሀል፡ ኣብ ጊብዖን ይቕመጥ ነበረ። 36 በዀሪ ወዱ ድማ ዓብዶን እዩ፡
ድሕሪኡ ጹርን ቂስን በዓልን ኔርን ናዳብን፡ 37 ጌዶርን ዓሕዮን ዘካርያን ሚቅሎትን። 38 ሚቅሎት ከኣ
ንሺመኣም ወለደ፡ እዚኣቶም ድማ ምስ ኣሕዋቶም ኣብ የሩሳሌም ኣብ መንጽር ኣሕዋቶም ተቐመጡ። 39
ኔር ከኣ ንቂስ ወለደ፡ ቂስ ድማ ንሳኦል ወለደ፡ ሳኦል ከኣ ንዮናታንን ሜልኪሹዓን ኣቢናዳብን ኤሽባዓልን
ወለደ። 40 ወዲ ዮናታን ድማ መሪብባዓል ከኣ ንሚካ ወለደ። 41 ደቂ ሚካ ድማ፡ ጺቶንን መለክን
ታሕሬዓን ኣሃዝን። 42 ኣሃዝ ከኣ ንያዕራ ወለደ፡ ያዕራ ድማ ንዓለመትን ዓዝማዌትን ዚምሪን ወለደ፡
ዚምሪውን ንሞጻ ወለደ። 43 ሞጻ ንቢንዓ ወለደ፡ ሬፋያ ኸኣ ወዱ፡ ኤልዓሳ ወዱ፡ ኣጼል ወዱ። 44 ኣጼል
ድማ ሹድሽተ ወዲ ነበርዎ፡ ስሞም ከኣ እዚ እዩ፡ ዓዝሪቃም፡ ቦክሪ፡ እስማኤልን ሸዓርያን ዖባድያን
ሓናንን። እዚኣቶም ደቂ ኣጼል እዮም።

# ምዕራፍ 10

1 ፍልስጥኤማውያን ድማ ምስ እስራኤል ተዋግኡ፡ እቶም ሰብ እስራኤል ከኣ ካብ ቅድሚ
ፍልስጥኤማውያን ሀደሙ፡ ተወጊኦም ድማ ኣብ ከረን ጊልባዓ ወደቑ። 2 ፍልስጥኤማውያን ከኣ ደድሕሪ
ሳኦልን ደድሕሪ ደቁን ስዒቦም እግር እግሮም ጠበቕዎም። ፍልስጥኤማውያን ድማ ነቶም ደቂ ሳኦል፡
ንዮናታንን ኣቢናዳብን ማልኪሹዓን ቀተልዎም። 3 ኣብ ልዕሊ ሳኦል ከኣ እቲ ውግእ በርትዔ፡ ወርወርቲ
መንትግውን ኣርከብዎ፡ በቶም ወርወርቲ ድም ኣዝዩ ተጨነቐ። 4 ሽዑ ሳኦል ንጋሻ ዛግሬኡ፡ እዞም
ዘይግዙራት እዚኣቶም መጺኦም ከየላግጹለይሲ፡ ሴፍካ ምሰቶ እሞ ብእኡ ቕተለኒ፡ በሎ። እቲ ጋሻ
ዛግሬኡ ግና እምብዛ ፈርሄ እሞ፡ ኣይፈተወን። ሽዑ ሳኦል ሴፉ ወሲዱ ኣብ ልዕሊኡ ወደቐ። 5 እቲ ጋሻ
ዛግሬኡ ኸኣ፡ ሳኦል ከም ዝሞተ ምስ ረኣየ፡ ንሱ ድማ ናብ ሴፉ ወደቐ እሞ ሞተ። 6 በዚ ኸምዚ ሳኦልን
ሰለስቲኦም ደቁን ሞቱ፡ ኵሎም ቤተሰቡውን ብሓንሳእ ሞቱ። 7 እቶም ኣብ ለሰ ዝነበሩ ዅሎም ሰብ
እስራኤል ከኣ ከም ዝሀደሙ፡ ሳኦልን ደቁን ድማ ከም ዝሞቱ ምስ ረኣዩ፡ ከተማታቶም ሐዲጎም ሀደሙ፡
ፍልስጥኤማውያን ከኣ መጺኦም ተቐመጥወን። 8 ኰነ ድማ፡ ንጽብሒቱ እቶም ፍልስጥኤማውያን ነቶም
ዝሞቱ ኺገፍዎም መጹ፡ ንሳኦልን ንደቁን ከኣ ኣብቲ ኸረን ጊልቦዓ ወዲቖም ረኸብዎም። 9 ሽዑ ገፈፍዎ፡
ርእሱን ኣጽዋሩን ወሲዶም ከኣ ንጣኦቶምን ነቲ ህዝብን ምእንቲ ኼበስሩ፡ ናብ ዙርያ ሃገር
ፍልስጥኤማውያን ሰደድዎ። 10 ነቲ ኣጽዋሩ ድማ ኣብ ቤት ዳጎን ሰቐልዎ። 11 ብዘለው ሰብ ያቤሽጊልዓድ

እቲ ፍልስጥኤማውያን ንሳኦል ዝገበርዎ ዘበለ ኹሉ ምስ ሰምዑ፡ 12 ጀጋኑ ዘበሉ ኹሎም ሰባት ተንስኡ
እሞ ነቲ ሬሳ ሳኦልን ንሬሳታት ደቁን ወሲዶም ናብ ያቤሽ ኣምጽእዎም፡ ነቲ ኣዕጽምቶም ድማ ኣብ
ትሕቲ እታ ኣብ ያቤሽ ዘላ ድዋ ቐበርዎ፡ ሾብዓተ መዓልቲ ኸኣ ጾሙ። 13 ሳኦል ከኣ ንቓል እግዚኣብሄር
ብዘይምሕላውን ነታ ጠንቋሊት ምኽሪ ብምጥያቑን ንእግዚኣብሄር ብዝበደሎ በደል ሞተ። 14
ንእግዚኣብሄር ኣይጠየቐን፡ ስለዚ ቐተሎ፡ ነታ መንግስቲ ኸኣ ናብ ዳዊት ወዲ እሴይ ኣዛወራ።

## ምዕራፍ 11

1 ሽዑ ብዘለው እስራኤል ናብ ዳዊት ኣብ ሔብሮን ተኣኪቦም ከምዚ በልዎ፡ እኔና ንሕናስ ዓጽምኻን
ስጋኻን ኢና፡ 2 ካብ ቀደም ድማ እቲ ሳኦል ነጊሱ ኸሎ፡ እቲ ንእስራኤል እተውጽኦን እተኣትዎን ንስኻ
ኢኻ ዝነበርካ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኸኣ ንኣኻ፡ ንስኻ ንህዝበይ እስራኤል ክትጓሲ ኢኻ፡ ንስኻ ድማ
ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል መስፍን ክትከውን ኢኻ፡ ኢሉካ እዩ። 3 ኩሎም ዓበይቲ እስራኤል ድማ
ናብ ንጉስ ኣብ ሔብሮን መጹ፡ ዳዊት ከኣ ኣብ ሔብሮን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምሳታቶም ኪዳን
ኣተወ። ከምቲ ብሳሙኤል እተነግረ ቓል እግዚኣብሄር ድማ ንዳዊት ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ
ኪኸውን ቀብእዎ። 4 ዳዊትን ብዘሎ እስራኤልን ድማ ናብ የሩሳሌም፡ ንሳ ይቡስ፡ ከደ። ተቐማጦ እታ
ሃገር ይብሳውያን ኣብኣ ነበሩ። 5 እቶም ሰብ ይብስ ከኣ ንዳዊት፡ ናብዝስ ኣይትኣቱን ኢኻ፡ በልዎ። ዳዊት
ግና ንእምባ ጽዮን፡ ንሳ ኸተማ ዳዊት፡ ሐዛ። 6 ዳዊት ከኣ፡ እቲ ቐዲሙ ንይብሳውያን ዝቐተለ ዘበለ፡
ሓለቓን ራእስን ኪኸውን እዩ፡ በለ። ዮኣስ ወዲ ጽሩያ ድማ ቅድም ደየበ እሞ ሓለቓ ኾነ። 7 ዳዊት ከኣ
ኣብታ እምባ ተቐመጠ፡ ስለዚ ንእኣ ኸተማ ዳዊት ኢሎም ሰመይዋ። 8 ነታ ኸተማ ድማ ብዙርያ፡ ካብ
ሚሎ ሒዙ ኽሳዕ ዙርያኣ ሰርሓ። ነቲ ኣብታ ኸተማ ዝተረፈ ኸኣ ዮኣብ ኣዐረዮ። 9 ዳዊት ድማ እናዐበየ
ኸደ፡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ ምስኡ ነበረ። 10 እቶም ምስ ብዘሎ እስራኤል ኰይኖም፡ ከምቲ
ቓል እግዚኣብሄር ብዛዕባ እስራኤል፡ ንዳዊት ኬንግስዎ፡ ኣብ መንግስቱ ምስኡ ኾይኖም ድማ ብሓይሊ
ዝሐገዝዎ ኣውራታት ጀጋኑ ዳዊት እዚኣቶም እዮም። 11 ቍጽሪ ጀጋኑ ዳዊት ከኣ እዚ እዩ፡ ያሾበዓም፡
ወዲ ሓደ ሓክሞናዊ፡ እዚ ርእሲ እቶም ሰላሳ፡ ንሱ ኹናቱ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ ሚእቲ ኣልዒሉ፡ ብሐደ
ሳዕ ቀተሎም። 12 ድሕሪኡ ድማ ኣልኣዛር ወዲ ዶዶ፡ እቲ ዓሖሓዊ፡ ንሱ ኻብቶም ሰለስተ ጀጋኑ ሓደ
እዩ። 13 ንሱ ኣብ ጳስዳሚም ምስ ዳዊት ነበረ። ፍልስጥኤማውያን ከኣ ንውግእ ኣብኡ ተኣኪቦም ነበሩ፡
ኣብኡ ድማ ስገም ዝመልአ ግራት ነበረት፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ ካብ ቅድሚ ፍልስጥኤማውያ ሀደሙ። 14
ንሳቶም ግና ኣብ ማእከል እታ ግራት ቈይሞም ኣድሐንዋ፡ ንፍልስጥኤማያንውን ሰዐርዎም፡ እግዚኣብሄር
ከኣ ብዓብዩ ምድሓን ኣድሐኖም። 15 ካብቶም ሰላሳ ኣውራታት ድማ ሰለስተ ናብታ ከውሒ፡ ናብ ዳዊት
ኣብታ በዓቲ ኣዱላም ወረዱ፡ እቲ ጭፍራ ፍልስጥኤማውያን ከኣ ኣብ ለሰ ረፋይም ሰፊሩ ነበረ። 16 ሽዑ
ዳዊት ኣብ እምባ ነበረ፡ ዘብዔኛታት ፍልስጥኤማውያን ድማ ሽዑ ኣብ ቤትልሄም ነበሩ። 17 ዳዊት ከኣ፡
ካብቲ ኣብ ጥቓ ደገ ቤትልሄም ዘሎ ዔላ መን ኰን ማይ የስትየኒ፡ ኢሉ ተመነየ። 18 ሽዑ እቶም ሰለስተ
ነቲ ሰፈር ፍልስጥኤማውያን ጥሒሶም፡ ካብቲ ኣብ ጥቓ ደገ ቤትልሄም ዘሎ ዔላ ማይ ቀድሑ፡ ጾይሮም
ድማ ንዳዊት ኣምጽኡሉ። ዳዊት ግና ንእግዚኣብሄር ከዐወሉ እምበር፡ ኪሰትዮስ ኣይፈተወን። 19 ንሱ፡
ህይወቶም ቀቢጾም ኣምጺኦምዎ እዮም እሞ፡ ደም እዞም ህይወቶም ዝቐበጹ ሰባት እዚኣቶምዶ ኽሰቲ
እየ ነዚ ምግባርስ ኣምላኸይ ካባይ የርሕቆ፡ በለ። ስለዚ ኺሰትዮ ኣይፈተወን። እቶም ሰለስተ ጀጋኑ እዚ
ገበሩ። 20 ኣቢሻይ ሓው ዮኣብ ከኣ ርእሲ እቶም ሰለስተ ነበረ። ንሱ ድማ ኲናቱ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ

ሚእቲ ኣልዒሉ ቐተሎም። ኣብ መንጎ እቶም ሰለስተ ስሙይ ነበረ። 21 ኣብ መንጎ እቶም ሰለስተ ንሱ
ኻብቶም ክልተ ይኸብር ነበረ፡ ሓለቓኦም ከኣ ኰነ፡ ክሳዕ ማዕረ እቶም ሰለስተ ቐዳሞት ግና
ኣይበጽሖን። 22 በናያ ወዲ የሆያዳ፡ ወዲ ሓደ ጅግና ሰብኣይ፡ ዓብዩ ነገር ዝገበረ ብዓል ቀብጽኤል፡ ንሱ
ኽልተ ደቂ ኣሪኤል ሰብ ሞኣብ ቀተለ። ንሱ ድማ ብጊዜ ውርጪ ናብ ውሽጢ ጕድጓድ ወሪዱ ኣንበሳ
ቐተለ። 23 ንሱ ኸኣ ንሓደ ግብጻዊ ሰብኣይ፡ ነዊሕ ሓሙሽተ እመት ዝቑመቱ ሰብኣይ፡ ቀተሎ። ኣብ ኢድ
እቲ ግብጻዊ ሰብኣይ ከንዲ ወንደረሽ ኣላማይ ዚኸውን ኲናት ነበረ፡ ንሱ ግና በትሪ ሒዙ ናብኡ ወረደ፡
ነቲ ኲናት ከኣ ካብ ኢድ እቲ ግብጻዊ መንዚዑ ብገዛእ ኲናቱ ቐተሎ። 24 በናያ ወዲ የሆያዳ እዚ ነገር
እዚ ገይሩ ነበረ እሞ፡ ኣብ መንጎ እቶም ሰለስተ ጀጋኑ ስሙይ ነበረ። 25 እንሆ፡ ንሱ ኻብቶም ሰላሳ
ይኸብር ነበረ፡ ናብቶም ሰለስተ ቐዳሞት ግና ኣይበጽሖን። ዳዊት ከኣ መማኸርቱ ገበሮ። 26 እቶም ናይ
ውግእ ጀጋኑ ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ዓሳሄል ሓው ዮኣብ፡ ኤልሓናን ወዲ ዶዶ ቤትልሄማዊ፡ 27 ሻሞት እቲ
ሃሮራዊ፡ ሔለጽ እቲ ጰሎናዊ፡ 28 ዒራ ወዲ ዒቄሽ፡ እቲ ተቆዓዊ፡ ኣቢዔዘር እቲ ኣናቶታዊ፡ 29 ሲብካይ
እቲ ሑሻታዊ፡ ዒላይ እቲ ኣሖሓዊ፡ 30 ማሃራይ እቲ ንጦፋታዊ፡ ሔለድ ወዲ በዓና፡ እቲ ንጦፋታዊ፡ 31
ኢታይ ወዲ ሪባይ፡ ካብ ጊብዓ፡ ካብቶም ደቂ ብንያም፡ በናያ እቲ ጲርዓቶናዊ፡ 32 ሑራይ ካብ ርባታት
ጋዓሽ፡ ኣቢኤል እቲ ዓርባታዊ፡ 33 ዓዝማዌት እቲ ባሓሩማዊ፡ ኤልያሕባ እቲ ሳዓልቦናዊ፡ 34 በነሃሽም እቲ
ጊዞናዊ፡ ዮናታን ወዲ ሻገ፡ እቲ ሓራራዊ፡ 35 ኣሒኣም ወዲ ሻካር እቲ ሓራራዊ፡ ኤሊፋል ወዲ ኡር። 36
ሔፌር እቲ መኬራታዊ፡ ኣሒያ እቲ ጰሎናዊ። 37 ሔጽሮ እቲ ቀርሜሎሳዊ፡ ናዓራይ ወዲ ኤዝባይ፡ 38
ዮኤል ሓው ናታን፡ ሚብሓር ወዲ ሃግሪ፡ 39 ጼለቅ እቲ ዓሞናዊ፡ ናሕራይ እቲ ቤሮታዊ፡ ጋሻ ዛግሬ ዮኣብ
ወዲ ጽሩያ፡ 40 ዒራ እቲ ዩትራዊ፡ ጋሬብ እቲ ዩትራዊ፡ 41 ኡሪያ እቲ ሔታዊ፡ ዛባድ ወዲ ኣሕላይ፡ 42
ዓዲና ወዲ ሺዛ እቲ ሮቤላዊ፡ ሓደ ሓለቓ ሮቤላውያን፡ ምስኡ ኸኣ ሰላሳ፡ 43 ሓናን ወዲ ማዓካ፡ ዮሳፋጥ
እቲ ሚትናዊ ኸኣ፡ 44 ዑዚያ እቲ ዓሽትራታዊ፡ ሻማን የጉኤልን ደቂ ሖታም ዓሮዔራዊ፡ 45 የዲዓኤል ወዲ
ሺምሪ፡ ዮሓ ኸኣ ሓው፡ እቲ ቲጻዊ። 46 ኤሊኤል እቲ ማሃዊ፡ ዩሪባይን ዮሻዊያን ደቂ ኤልናዓም ከኣ፡
ዩትማ እቲ ሞኣባዊ፡ 47 ኤሊኤልን ዖቤድን ያዓሺኤል እቲ መጾባያውን።

# ምዕራፍ 12

1 ዳዊት ገና ኻብ ገጽ ሳኦል ወዲ ቂስ ተሐቢኡ ኸሎ፡ እቶም ናብኡ ኣብ ጺቅላግ ዝመጹ እዚኣቶም
እዮም፡ ንሳቶም ከኣ ኣብ መንጎ እቶም ኣብ ውግእ ዝሐገዝዎ ጀጋኑ ነበሩ። 2 ንሳቶም ብየማነ ጸጋሞም
ምውንጫፍ ኣእማን ዚኽእሉ፡ ብቐስቲውን ፍላጻ ዚውርውሩ ቐስተኛታት ነበሩ። ካብ ኣሕዋት ሳኦል፡
ካብ ብንያማውያን እዮም ዝነበሩ። 3 ኣሒዔዘር እቲ ርእሰን ዮኣስን፡ ደቂ ሽማዓ እቲ ጊብዖናዊ፡ የዚኤልን
ጴለጥን ደቂ ኣዝማዌት፡ ብራካን የሁ እቲ ዓናቶታውን። 4 ዪሽማዕያ እቲ ጊብዖናዊ ድማ ሓደ ጅግና ኣብ
መንጎ እቶም ሰላሳ፡ ሐለቓ እቶም ሰልሳ፡ ኤርምያስን ያሓዚኤልን ዮሓናንን ዮዛባድ እቲ ገደራታውን። 5
ኤልዑዛይን የሪሞትን በዓልያን ሸማርያን ሸፋጥያ እቲ ሓሩፋውን፡ 6 እቶም ቈረሓውያን፡ ኤልቃናን
ዪሺያን ዓዛርኤልን ዮዔዘርን ያሾብዓምን፡ 7 ዮዔላን ዘባድያን፡ ደቂ ይሮሓም ካብ ግዶር። 8 ገለ ኻብ
ጋዳውያን ከኣ ዓልዮም ናብ ዳዊት ኣብቲ እምባ ኣብ በረኻ መጹ፡ ሓያላት ጀጋኑ፡ ንውግእ ዕሉማት፡
ብዋልታን ኲናትን እተሰለፉ ሰባት፡ ገጾም ከኣ ንገጽ ኣናብስ ይመስሉ፡ ከም ሶስሓ ድማ ኣብ ኣኽራን
ቅልጡፋት ነበሩ፡ 9 ዔዘር እቲ ርእሲ፡ እቲ ኻልኣይ ዖባድያ፡ እቲ ሳልሳይ ኤሊያብ፡ 10 እቲ ራብዓይ
ሚሽማና፡ እቲ ሓምሳይ ኤርምያስ፡ 11 እቲ ሳድሳይ ዓታይ፡ እቲ ሳብዓይ ኤሊኤል፡ 12 እቲ ሳምናይ

ዮሓናን፡ እቲ ታስዓይ ኤልዛባድ፡ [13] እቲ ዓስራይ ኤርምያስ፡ እቲ መበል ዓሰርተው ሓድ ማክባናይ። [14]
እዚኣቶም ካብ ደቂ ጋድ ሓላቒ ሰራዊት እዮም ዝነበሩ፡ ሓደ ኻባቶቶም እቲ ንኡስ ክንዲ ሚእቲ፡ እቲ
ዓብዪ ኸኣ ክንዲ ሽሕ ያኣክል ነበረ። [15] እቶም በታ መጀመርያ ወርሒ ንዮርዳኖስ ኣብ ልዕሊ ኹሉ
ገምገም ኽሳዕ እተፍስስ ኣፍ ንኣፍ መሊኣ ኸላ እተሳገሩ፡ ነቶም ኣብ ለሴታት ዚነብሩ ኹሎም
ንምብራቕን ንምዕራብን ኣቢሎም ዝሰጐጒዎም ድማ እዚኣቶም እዮም። [16] ካብ ደቂ ብንያም ይሁዳን ከኣ
ናብ ዳዊት፡ ናብቲ እምባ መጹ። [17] ዳዊት ድማ ኪቕበሎም ወጸ፡ ከምዚ ተዛሪቡ ኸኣ መለሰሎም፡
ክትሕግዙኒ ኢልኩም ብሰላም እንተ ኼንኩም ዝመጻእኩምኒ፡ ልበይ ምሳኻትኩም ሓደ ኪኸውን እዩ።
ኣብ ኢደይ ገለ እኳ ዓመጽ ዜልቦ ኽነሱስ፡ ኣብ ጸላእተይ ከተትሕዙኒ እንተ ኼንኩም ግና፡ እቲ ኣምላኽ
ኣቦታትና ይርኣዮ እሞ ይቕጽዓዮ። [18] ሽዑ ኣማሳይ ኣውራ እቶም ሰላሳ፡ መንፈስ ለበሰ እሞ፡ ኣታ ዳዊት፡
ንሕናስ ናትካ ኢና፡ ኣታ ወዲ እሴይ፡ ንሕናስ ምሳኻ ኢና። ኣምላኽ ሐጊዙካ እዩ እሞ፡ ሰላም ንኣኻ፡
ሰላም፡ ንሓገዝትኻውን ሰላም ይኹን፡ በለ። ዳዊት ከኣ ተቐበሎም፡ ሓላቒ ጭፍራ ድማ ገበሮም። [19] ገለ
ኻብ ምናሴውን ናብ ዳዊት ሐለፉ፡ እዚ ኸኣ ንሱ ምስ ፍልስጥኤማውያን ኲይኑስ፡ ንሳኦል ኪወግእ
ወጺኡ ኸሎ እዩ ዝኾነ፡ ግናኸ እቶም መኳንንቲ ፍልስጥኤማውያን፡ ብዋጋ ኣራእስና ናብ ጐይታኡ
ከየብል፡ ኢሎም ብምኽሪ ሰደድዎ እሞ፡ ኣይሐገዝዎምን። [20] ናብ ጺቅላግ ኪኸይድ ከሎ ድማ፡ ካብ
ምናሴ ናብኡ ዝሐለፉ፡ ዓድናሕን ዮዛባድን የዲዓኤልን ሚካኤልን ዮዛባድን ኤሊሁን ጺልታይን፡ ናይ
ምናሴ ሓላቒ ሽሕ። [21] ንሳቶም ኲሎም ሓያላት ጀጋኑ፡ ኣብቲ ሰራዊት ከኣ ሓላቒ ዝኾኑ እዮም ዝነበሩ
እሞ፡ ንዳዊት ኣንጻር እቲ ጭፍራ ዘመትቲ ሐገዝዎ። [22] ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ምእንቲ ኪሕግዝዎ ናብ
ዳዊት ይመጹ ነበሩ እሞ፡ ከም ሰራዊት ኣምላኽ እቲ ሰራዊት ዓብዪ ኾነ። [23] እቶም ከምቲ ቓል
እግዚኣብሄር ነታ መንግስቲ ሳኦል ናብኡ ምእንቲ ኺምልስዋ፡ ናብ ዳዊት ናብ ሔብሮን ዝመጹ፡ ንውግእ
እተሰለፉ ተዋጋእቲ፡ ቍጽሮም እዚ እዩ፡ [24] ደቂ ይሁዳ፡ ዋልታን ኲናትን ዝጾሩ፡ ንውግእ እተሰለፉ
ሹድሽተ ሽሕን ሾሞንተ ሚእትን። [25] ካብ ደቂ ስምኦን፡ ንውግእ ሓያላት ጀጋኑ ሾብዓተ ሽሕን ሚእትን።
[26] ካብ ደቂ ሌዊ ኣርባዕተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን። [27] የሆይዳዕ፡ እቲ መስፍን ማይ ቤት ኣሮን፡ ምስኡ
ኸኣ ሰለስተ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን። [28] ጻዶቅ ድማ ጐበዝ፡ ሓያል ጀግና፡ ምስኡ ኸኣ ዕስራን ክልተን
ሓላቒ ኻብ ቤት ኣቦኡ። [29] ካብ ደቂ ብንያም ኣሕዋት ሳኦል ድማ ሰለስተ ሽሕ፡ ክሳዕ እዚ ዘመን እዝስ
ዚበዝሑ ኻባታቶም ገና ምስ ቤት ሳኦል ጸኒዖም ነበሩ። [30] ካብ ደቂ ኤፍሬም ከኣ ዕስራ ሽሕን ሾሞንተ
ሚእትን፡ ሓያላት ጀጋኑ፡ ኣብ መማይ ቤት ኣቦታቶም ስሙያት ሰባት። [31] ካብ ፈረቓ ነገድ ምናሴ ድማ፡
ዓሰርተው ሾሞንተ ሽሕ፡ ንዳዊት ኪንግሱ ኺመጹ በብስሞም እተሰምዩ። [32] ካብ ደቂ ይሳኮር ከኣ፡
እስራኤል እንታይ ኪገብር ከም ዚግብኦ ኺፈልጡ፡ ምስትውዓል ዘመናት ዘለዎም፡ ክልተ ሚእቲ
ዋናታቶም፡ ኣብ ትሕቲ ትእዛዞም ድማ ኲሎም ኣሕዋቶም ምሳታቶም። [33] ካብ ዛብሎን ብኹሉ ዓይነት
ኣጽዋር ውግእ እተሰለፈ፡ ናብ ሰራዊት ዚወጹ፡ ፈለጥቲ ስርዓት ውግእ፡ ልቦም ዘይብቈል፡ ሰብ ስርዓት፡
ሓምሳ ሽሕ። [34] ካብ ንፍታሌም ከኣ ሽሕ ሓላቒ፡ ምሳታቶም ድማ ብዋልታን ኲናትን እተሰለፉ ሰላሳን
ሾብዓተን ሽሕ። [35] ካብቶም ሰብ ዳን ከኣ ንውግእ እተሰለፉ፡ ዕስራን ሾሞንተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን።
[36] ካብ ኣሴር ድማ ንውግእ ተሰሊፎም ናብ ሰራዊት ዚወጹ፡ ኣርብዓ ሽሕ። [37] ካብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ድማ
ካብ ሮቤላውያንን ጋዳውያንን ፈረቓ ነገድ ምናሴን፡ ብኹሉ ዓይነት ናይ ሰራዊት ኣጽዋር ውግእ
እተሰለፉ፡ ሚእትን ዕስራን ሽሕ። [38] እዚኣቶም ኲሎም ንውግእ እተዳለው ተዋጋእቲ፡ ንዳዊት ኣብ ልዕሊ
ኹሉ እስራኤል ኪንግሶ፡ብፍጹም ልቢ ናብ ሔብሮን መጹ። ብዘሎ እቲ ዝተረፈ እስራኤል ከኣ ዳዊት
ንምንጋስ ሓደ ልቢ ነበረ። [39] ኣሕዋቶም ኣሳናድዮምሎም ነበሩ እሞ፡ ንሳቶም ኣብኡ ምስ ዳዊት

እናበልዑን እናሰተዩን ሰለስተ መዓልቲ ቐነዩ። [40] ኣብ እስራኤል ሓጎስ ኰይኑ ነበረ እሞ፡ እቶም ኣብ
ቀረባኦም ዝነበሩ ድማ፡ ክሳዕ ኣብ ይሳኮርን ዛብሎንን ንፍታሌምን፡ በእዱግን በግማልን በባቕልን
በብዑርን ብዙሕ ምግቢ፡ እንጌራን ሓርጭን ጐጎ በለስን ጐጎ ዘቢብን ወይንን ዘይትን ሰባሕትን ጤል
በጊዕን ኣምጽኡሎም።

## ምዕራፍ 13

[1] ዳዊት ድማ ምስ ሓላቑ ሸሕን ሓላቑ ሚእትን ምስ ኵሎም መሳፍንትን ተማኸረ። [2] ዳዊት ከኣ ንብዘሎ
ማሕበር እስራኤል በሎ፡ እዚ ነኣኻትኩም ጽቡቕ መሲሉኩም እንተ ዀይኑ፡ እዚ ካብ እግዚኣብሄር
ኣምላኽናውን እንተ ዀይኑስ፡ ናብቶም ዝተረፉ ኣሕዋትና ናብ ኵለን ሃገራት እስራኤልን ምስኦም ናብ
ዘለው ኻህናትን ሌዋውያንን ከኣ ኣብተን ከተማታቶም መምስ ከባብኤን፡ ንሳቶም ናባና ምእንቲ
ኺእከቡ፡ ልኡኻት ንስደደሎም። [3] ነቲ ታቦት ኣምላኽና ብዘመን ሳኦል ኣይጠየቕናሉን ኢና እሞ፡ ናባና
ነምጽኣዮ። [4] እዚ ነገር እዚ ኸኣ ንብዘሎ ህዝቢ ቕኑዕ መሲልዎ ነበረ እሞ፡ ብዘሎ እቲ ማሕበር፡ ከምኡ
ንግበር፡ በለ። [5] ዳዊት ነቲ ታቦት ኣምላኽ ካብ ቂርያትየዓሪም ምእንቲ ኼምጽኦ ኸኣ፡ ካብ ሲሖር ግብጺ
ጀሚሩ ኽሳዕ መእተዊ ሓማት ንዝነበሩ ዅሎም እስራኤል ኣከቦም። [6] ዳዊትን ብዘሎ እስራኤልን ድማ
ነቲ ታቦት ኣምላኽ፡ ናይቲ ኣብ ኪሩቤል ዚቕመጥ እግዚኣብሄር፡ ንሱውን ብስሙ እተሰምየሉ፡ ካብኣ
ምእንቲ ኺወስድዎ፡ ናብ ባዓላ ናብ ቂርያትየዓሪም ናይ ይሁዳ ደየቡ። [7] ነቲ ታቦት ኣማላኽ ኣብ ሓድሽ
ሰረገላ ኣንቢሮም ድማ ካብ ቤት ኣቢናዳብ ወሰዱዎ። ዑዛን ኣሒዮን ከኣ ነቲ ሰረገላ ይመርሕዎ ነበሩ። [8]
ዳዊትን ብዘለው እስራኤልን ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብዅሉ ሓይሎም ብመዝሙራትን ብበገናን
ብመሰንቆን ብኸበሮን ብጸናጽልን ብመለኸታትን ይጻወቱ ነበሩ። [9] ኣብ ዓውዲ ኺዶን ምስ መጹ ግና፡
እቶም ኣብዑር ስለ ዝፋነኑ፡ ዑዛ ነቲ ታቦት ኪሕዞ ኢዱ ዘርግሔ። [10] ሽዑ ዅራ እግዚኣብሄር ኣብ ዑዛ
ነደደ፡ ኢዱ ናብቲ ታቦት ስለ ዝዘርግሔ ኸኣ፡ ቀዘፎ እሞ፡ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሞተ። [11] ዳዊት
ድማ፡ እግዚኣብሄር ንዑዛ ስለ ዝሰበሮ፡ ብኣሂ ሐረረ እሞ ነቲ ቦታ እቲኣ፡ ክምቲ ኽሳዕ ሎም መዓልቲ
ዘሎ፡ ጰሬጽዑዛ ኢሉ ሰመያ። [12] ዳዊት ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ንኣምላኽ ፈሪሁ፡ ታቦት ኣምላኽ ከመይ
ገይረ ናባይ ከምጽእ በለ። [13] ስለዚ ድማ ዳዊት ነቲ ታቦት ናብ ቤት ዖቤድኤዶም ጊታዊ ኣእተዎ እምበር፡
ናብ ከተማ ዳዊት ኣየግዐዘን። [14] እቲ ታቦት ኣምላኽ ከኣ ምስ ቤተ ሰብ ዖቤድኤዶም ኣብ ቤቱ ሰለስተ
ወርሒ ተቐመጠ። እግዚኣብሄር ድማ ንቤት ዖቤድኤዶም ንዅሉ ዘለዎን ባረኾ።

## ምዕራፍ 14

[1] ሒራም ንጉስ ጢሮስ ድማ ንዳዊት ቤት ኪሰርሑሉ ልኡኻትን ኦም ጽሕድን ነደቕትን ጸረብትን
ሰደደሉ። [2] ዳዊት ከኣ፡ እግዚኣብሄር ምእንቲ ህዝቡ እስራኤል ኢሉ፡ ነታ መንግስቱ እምብዛ ልዕል
ኣቢሉሉ ነበረ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ ገይሩ ኸም ዘጽንዖ ኣስተውዐለ። [3] ዳዊት ድማ መሊሱ
ኣብ የሩሳሌም ካልኦት ኣንስቲ ወሰደ እሞ፡ ዳዊት ወሲኹ ኣወዳትን ኣዋልድ ወለደ። [4] እቶም ኣብ
የሩሳሌም እተወልዱሉ ደቂ ስሞም እዚ እዩ፡ ሻሙዓን ሾባብን ናታንን ሰሎምንን፡ [5] ይብሓርን ኤሊሹዓን
ኤልፈለጥን፡ [6] ኖጋን ኔፈግን ያፊዓን፡ [7] ኤሊሻማን በዒልያዳን ኤሊፈለጥን። [8] ፍልስጥኤማውያን ከኣ ዳዊት
ኣብ ልዕሊ ዅሉ እስራኤል ንጉስ ኪኸውን ከም እተቐብኤ ምስ ሰምዑ፡ ኵሎም ፍልስጥኤማውያን

ንዳዊት ኪደልይዎ ደየቡ። ዳዊት ድማ ምስ ሰምዖ፡ ናብ ቅድሚኦም ወጸ። [9] እቶም ፍልስጥኤማውያን
ከኣ ናብቲ ለሰ ረፋይም ኣትዮም፡ ኣብኡ ይወርሩ ነበሩ። [10] ዳዊት ድማ ንኣምላኽ፡ ንፍልስጥኤማውያን
ክድይቦምሲ፡ ኣብ ኢደይዶ ትህበኒ ኢኻ ኢሉ ሐተቶ። እግዚኣብሄር ከኣ፡ ንኣታቶም ኣብ ኢድካ ኽህበካ
እየ እሞ፡ ደይቦም፡ በሎ። [11] ናብ በዓልጸራጺም ደየቡ፡ ዳዊት ከኣ ኣብኣ ሰዐሮም። ዳዊት ድማ፡ ማይ
ከም ዚብተን፡ ኣምላኽ ንጸላእተይ ብኢደይ በተኖም፡ በለ። ስለዚ ስም እታ ቦታ እቲኣ በዓልጸራጺም
ኣውጽኡላ። [12] ኣብኣ ድማ ንኣማልኽቶም ሐደጉ፡ ዳዊት ኣዚዙ ኸኣ ብሓዊ ኣንደድዎም። [13] እቶም
ፍልስጥኤማውያን ግና ከም ብሓድሽ ኣብቲ ለሰ ወረሩ። [14] ዳዊት ድማ መሊሱ ንኣምላኽ ሐተቶ፡
ኣምላኽ ከኣ መለሰሉ፡ ብድሕሪኦም ኣይትደይብ፡ ካባታቶም ደኣ ዙር እሞ ኣብ መንጽር እቲ ሰጋሉ
እተዎም። [15] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ኣብቲ ኣራእስ ሰጋሉ ናይ ዚረግጽ ደሃይ ምስ ሰማዕካ፡ ኣምላኽ ነቲ
ሰራዊት ፍልስጥኤማውያን ኪወቕዖ ቐቅድሜኻ ወጺኡ እዩ እሞ፡ ሽዑ ንውግእ ውጻእ። [16] ዳዊት ከኣ
ከምቲ ኣምላኽ ዝኣዘዞ ገበረ፡ ነቲ ሰራዊት ፍልስጥኤማውያን ካብ ጊብዖን ክሳዕ ጌዘር ሰዐርዎም። [17] ወረ
ዳዊት ከኣ ኣብ ኵለን ሃገራት ወጸ፡ እግዚኣብሄር ድማ ብዛዕባኡ ፍርሃት ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣህዛብ
ገበሮ።

# ምዕራፍ 15

[1] ዳዊት ድማ ኣብታ ኸተማ ዳዊት ንርእሱ ኣባይቲ ሰርሔ፡ ነቲ ታቦት ኣምላኽ ዚኸውን ቦታ ኣዳልዩ ኸኣ
ንእኡ ድንኳን ተኸለሉ። [2] ሽዑ ዳዊት፡ ንታቦት ኣምላኽ ኪጸሩ ኣብ ቅድሚኡውን ንሓዋሩ ኼገልግሉ፡
እግዚኣብሄር ንሌዋውያን ሐርይዎም እዩ እሞ፡ ስለዚ ንሳቶም እምበር፡ ካልእ ሰብ ንታቦት ኣምላኽ
ኪጸሩ ኣብ ቅድሚኡውን ንሓዋሩ ኼገልግሉ፡ እግዚኣብሄር ንሌዋውያን ሐርይዎም እዩ እሞ፡ ስለዚ
ንሳቶም እምበር፡ ካልእ ንታቦት ኣምላኽ ኣይጽሮ፡ በለ። [3] ዳዊት ከኣ ንታቦት እግዚኣብሄር ናብታ
ዘሳናደወሉ ቦታ ምእንቲ ኼደይቦ፡ ንብዘሎ እስራኤል ኣብ የሩሳሌም ኣከቦ። [4] ዳዊት ድማ ንደቂ ኣሮንን
ንሌዋውያንን ኣከቦም። [5] ካብ ደቂ ቀሃት፡ ኡሪኤል እቲ ሓለቓን ኣሕዋቱን፡ ሚእትን ዕስራን፡ [6] ካብ ደቂ
መራሪ፡ ዓሳያ እቲ ሓለቓን ኣሕዋቱን፡ ክልተ ሚእትን ዕስራን፡ [7] ካብ ደቂ ጌርሾም፡ ዮኤል እቲ ሓለቓን
ኣሕዋቱን፡ ሚእትን ሰላሳን፡ [8] ካብ ደቂ ኤሊጻፋን፡ ሽማዕያ እቲ ሐለቓን ኣሕዋቱን፡ ክልተ ሚእቲ፡ [9] ካብ
ደቂ ሔብሮን፡ ኤሊኤል እቲ ሓለቓን ኣሕዋቱን፡ ሰማንያ፡ [10] ካብ ደቂ ዑዚኤል፡ ኣሚናዳብ እቲ ሓላቓን
ኣሕዋቱን፡ ሚእትን ዓሰርተው ክልተን። [11] ዳዊት ድማ ንጻዶቅን ንኣብያታርን፡ እቶም ካህናት፡ ነቶም
ሌዋውያን፡ ንኡሪኤልን ዓሳያን ዮኤልን ሽማዕያን ኤሊኤልን ኣሚናዳብን ናብኡ ጸውዖም። [12-13]
ንኣታቶም ድማ በሎም፡ ንስኻትኩም ኣራእስ መማይ ቤት ኣቦታት ሌዋውያን ኢኹም። በቲ ቐዳማይ
ጊዜ ንስኻትኩም ስለ ዘይጸወርኩምዎ፡ ከምቲ ስርዓት ጌርና ኸኣ ስለ ዘይደሌናዮ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና
ሓደ ምስባር ኣባና ገበረ፡ ስለዚ ነቲ ታቦት እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ናብታ ንእኡ ኢለ ዘሳናዶኹሉ
ቦታ ኽተደይብዎ፡ ንስኻትኩምን ኣሕዋትኩምን ተቐደሱ። [14] ሽዑ እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ነቲ ታቦት
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ምእንቲ ኼደይብዎ፡ ተቐደሱ። [15] እቶም ደቂ ሌዋውያን ከኣ፡ ሙሴ
ኸምቲ ቓል እግዚኣብሄር ዝበሎ ገይሩ ኸም ዝኣዘዞ፡ ነቲ ታቦት ኣምላኽ ብመሰላታት ኣብ መናኩቦም
ጾርዎ። [16] ዳዊት ድማ ነቶም ሓላቓ ሌዋውያን ነሕዋቶም መዘምራን ብመሳርያ መዚክ፡ ብመሰንቆን፡
ብበገናን ብጸናጽልን ተሐጕሶም እናቓነዩን ድምጾም ዓው እናበሉን ኣብኡ ኬቐኑምዎም ተዛረቦም። [17]
ሽዑ እቶም ሌዋውያን ንሄማን ወዲ ዮኤልን ካብ ኣሕዋቱ ኸኣ ኣሳፍ ወዲ በረክያን ካብ ኣሕዋቶም ደቂ

መራሪውን ኤታን ወዲ ቊሻያ ኣቘሙ። 18 ምሳታቶም ከኣ ኣብቲ ኻልኣይ መዓርግ ኣሕዋቶም፡ ዘካርያስን
ቤንን ያዓዚኤልን ሸሚራሞትን የሒኤልን ዑኒን ኤሊኣብን በናያን ማዓያን ማዓሳያን ማቲቱያን
ኤሊፈሌሁን ሚቅኔያን ዖቤድኤዶምን የዒኤልን፡ ሓለውቲ ኣፍ ደገ። 19 እቶም መዘምራን፡ ሄማንን ኣሳፍን
ኤታንን፡ ድማ ብጸናጽል ኣስራዚ የቓንዩ ነበሩ። 20 ዘካርያስን ዓዚኤልን ሸሚራሞትን የሒኤልን ዑኒን
ኤሊኣብን ማዓሴያን በናያን ከኣ ብመሰንቆ ንዓላሞት። 21 ማቲትያን ኤሊፈሌሁን ሚቅኔያን ዖቤድኤዶምን
የዒኤልን ዓዛዝያን ድማ ብበገና ንሸሚኒት ኪመርሑ። 22 ቀናንያ ሓለቓ ሌዋውያን ከኣ ኣብ መዝሙር
መራሒ እዩ። ንሱ በዚ ፈላጥ ነበረ እሞ፡ መዝሙር የስተምህር ነበረ። 23 በረክያን ኤልቃናን ድማ
ሓለውቲ ደገ ታቦት ነበሩ። 24 ድማ ሸባንያን ዮሳፋጥን ንታንኤልን ዓማሳይን ዘካርያስን በናያን
ኤሊዔዘርን፡ እቶም ካህናት፡ ኣብ ቅድሚ ታቦት ኣምላኽ መለኸት ይነፍሑ ነበሩ። ዖቤድኤዶምን የሒያን
ከኣ ሓለውቲ ደገ ታቦት ነበሩ። 25 ዳዊትን ዓበይቲ እስራኤልን ሓላቑ ሽሕን ከኣ ነቲ ታቦት ኪዳን
እግዚኣብሄር ካብ ቤት ዖቤድኤዶም ብሓጐስ ኬደይብዎ ኸዱ። 26 ኰነ ድማ፡ ነቶም ታቦት ኪዳን
እግዚኣብሄር ዝጸሩ ሌዋውያን፡ ኣምላኽ ምስ ሐገዞም፡ ሾብዓተ ኣርሓን ሾብዓተ ድዑልን ሰውኡ። 27
ዳዊት ድማ ባርኖስ ጽሩይ ልሕጺ እንጣጢዕ ተኸዲኑ ነበረ፡ ከምኡ ኸኣ እቶም ታቦት ዚጸሩ ኲሎም
ሌዋውያንን እቶም ዘመርትን፡ ቀናንያ እቲ መራሕ መዝሙር ከኣ ምስቶም ዘመርቲ፡ ንዳዊት ድማ ኤፎድ
ልሕጺ እንጣጢዕ ኣብ ልዕሊኡ ነበሮ። 28 ሽዑ ኲሎም እስራኤል ነቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር
ብእልልታን ብቓና መለኸትን ብእምብልታን ብጸናጽልን ብመጸንቆን ብበገናን እናድመቑ ኣደየብዎ። 29
ኰነ ድማ፡ እቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ናብ ከተማ ዳዊት ኪኣቱ ኸሎ፡ ሚካል ጓል ሳኦል ብመስኰት
ተቐልቂላ ንንጉስ ዳዊት ኪስዕስዕን ኪሰራሰርን ረኣየቶ እሞ ብልባ ነዐቐቶ።

## ምዕራፍ 16

1 ነቲ ታቦት ኣምላኽ ኣእተውዎ፡ ኣብ ማእከል እቲ ዳዊት ንእኡ ኢሉ ዝተኸሎ ድንኳን ከኣ ኣንበርዎ።
ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣቕረቡ። 2 ዳዊት ከኣ ዚሐርር
መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኣዕሪጉ ምስ ወድኤ፡ ነቲ ህዝቢ ብስም እግዚኣብሄር ባረኾ። 3 ንነፍሲ
ወከፍ ሰብ እስራኤል ድማ ካብ ሰብኣይ ክሳዕ ሰበይቲ፡ ንነፍሲ ወከፍ ሓደ ቕጫን ሓደ ቑራጽ ስጋን
ሓደ ጐነ ዘቢብን መቐሎም። 4 ድማ ንገለ ኻብቶም ሌዋውያን ኣብ ቅድሚ ታቦት እግዚኣብሄር
ኬገልግሉን ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኪዝክርዎን ኪውድስዎን ኬመስግንዎን ስርዔ፡ 5 ኣሳፍ እቲ
ሓለቓ፡ እቲ ኻልኣዩ ኸኣ ዘካርያስ፡ የዒኤልን ሸሚራሞትን የሒኤልን ማቲትያን ኤሊኣብን በናያን
ዖቤድኤዶምን የዒኤልን መሰንቆን በገናን፡ ኣሳፍ ከኣ ጸናጽልን ኣድሚቑም ኬቓንዩ፡ 6 በናያን ያሓዚኤልን
እቶም ካህናት ድማ መለኸት ሒዞም፡ ኲሉጊዜ ኣብ ቅድሚ ታቦት ኪዳን ኣምላኽ ኪኾኑ ሰርዔ። 7
ዳዊት ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣሳፍን ኣሕዋቱን ንእግዚኣብሄር ኬመስግንዎ ቐዳማይ ጊዜ ኣዘዘ። 8
ንእግዚኣብሄር ኣመስግንዎ፡ ስሙ ጸውዑ፡ ግብርታቱ ኣብ መንጎ ህዝብታት ንገሩ። 9 ንእኡ ዘምሩ፡
ቃንዩሉ፡ ብዛዕባ ኲሉ ተኣምራቱ ተዛራረቡ። 10 በቲ ቅዱስ ስሙ ተኸበሩ፡ ልብ እቶም ንእግዚኣብሄር
ዚደልዩ ይተሐጐስ። 11 ንእግዚኣብሄርን ስልጣኑን ድለዩ፡ ገጹ ኲሉጊዜ ድለዩ። 12 ነቲ ዝገበሮ
ተኣምራቱን፡ ንትእምርትታቱን ፍርድታት ኣፉን ዘክሩ። 13 ኣቱም ዘርኢ እስራኤል ባርያኡ፡ ደቂ ያእቆብ
ሕሩያቱ፡ 14 ንሱ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ፡ ፍርድታቱ ኣብ ብዘላ ምድሪ ኣሎ። 15 ኪዳኑ ንዘለኣለም
ዘክሩ። ነቲ ንሽሕ ወለዶ ዝኣዘዞ ቓል፡ 16 ነቲ ምስ ኣብርሃም ዝኣተዎ ኺዳን፡ ነቲ ንይስሃቅ ዝመሓለሉ

ማሕላ ዘከሩ። [17] ንሱ ኣብ ያእቆብ ሕጊ፡ ኣብ እስራኤል ድማ ናይ ዘለኣለም ኪዳን ገይሩ ኣቘሞ፡ [18]
ከምዚ ኢሉ፡ ምድሪ ከነኣን ንኣኻ ኽህብ እየ፡ ግደ ርስትኹም ክትከውን እያ። [19] ሽዑ ብቑጽሪ ሒዶት
ነበርኩም፡ ኣብኣ ሒዶትን ስደተኛታትን ነበርኩም። [20] ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ፡ ካብ ሓንቲ መንግስቲ ኸኣ
ናብ ካልእ ህዝቢ ሐለፉ። [21] ሓደ ሰብ እኳ ኺገፍዖም ኣይሐደገን፡ ምእንታኦም ድማ ንነገስታት ገሰጸ። [22]
ንቕቡኣተይ ኣይትቕረብዎም፡ ንነብያተይ ከኣ ክፉእ ኣይትግበርዎም። [23] ኲሉ ምድሪ፡ ንእግዚኣብሄር
ዘምሩ፡ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ምድሓኑ ኣበስሩ። [24] ኣብ ማእከል ኣህዛብ ክብረቱ፡ ኣብ ኲሎም
ህዝብታት ተኣምራቱ ንገሩ። [25] እግዚኣብሄርሲ ዓብዩ እዩ፡ ብዙሕ ምስጉን ከኣ እዩ። ኣብ ልዕሊ ኹሎም
ኣማልኽቲ ድማ ዜፍርህ እዩ። [26] ኲሎም ኣማልኽቲ ኣህዛብሲ ጣኦታት እዮም፡ እግዚኣብሄር ግና ሰማያት
ገበረ። [27] ግርማን ክብርን ኣብ ቅድሚ ገጹ፡ ስልጣንን ሓጐስን ኣብ ስፍራኡ ኣሎ። [28] ኣቱም ዓሌታት
ኣህዛብ፡ ንእግዚኣብሄር ሀቡ፡ ክብርን ስልጣንን ንእግዚኣብሄር ሀብዎ። [29] ንእግዚኣብሄር ናይ ስሙ
ኽብረት ሀብዎ፡ መባእ ኣቕርቡ፡ ኣብ ቅድሚ ገጹውን ምጹ፡ ንእግዚኣብሄር ብቕዱስ ኣልባሳት ስገዱሉ።
[30] ኲሉኹም ሃገራት፡ ኣብ ቅድሚኡ ኣንቀጥቅጡ፡ ዓለም ጸኒዓ ቘይማ እያ፡ ኣይትናወጽን ከኣ። [31]
ሰማያት ባህ ይበል፡ ምድሪውን ትተሐጐስ፡ ኣብ ኣህዛብ ድማ፡ እግዚኣብሄር ነጊሱ ኣሎ፡ ይበሉ። [32]
ባሕርን ምልኣቱን ደሃይ ይሀቡ፡ መሮርን ኣብኡ ዘሎ ኹሉን ይተሐጐስ። [33] ንምድሪ ኺዳንያ ይመጽእ
ኣሎ እሞ፡ ሽዑ ኣእዋም ዱር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እልል ይበላ። [34] ጺጋኡ ኸኣ ንዘለኣለም እዩ እሞ፡
ኣመስግንዎ። እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፡ [35] በሉውን፡ ንቕዱስ ስምካ ምእንቲ ኽንውድሶ፡ ብምውዳስካውን
ክንከብርሲ፡ ኣታ ኣምላኽ ምድሓንና፡ ኣድሕነና፡ ካብ ኣህዛብ ከኣ ኣኻኽበና ኣናግፈናና። [36] እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል፡ ካብ ዘለኣለም ብሩኽ ይኹን። ኲሎም ህዝቢ ድማ፡ ኣሜን፡ ኢሎም ንእግዚኣብሄር
ኣመስገንዎ። [37] ከምቲ ነናይ መዓልቲ ስራሕ ዜድሊ፡ ኣብ ቅድሚ ታቦት ኲሉጊዜ ኼገልግሉ፡ ድዊት
ንኣሳፍን ነሕዋቱን ኣብ ቅድሚ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ሐደጎም። [38] ያቤድኤዶምን ኣሕዋቶምን ድማ፡
ስሳን ሸሞንተን። ያቤድኤዶም ወዲ የዲቱንን ሖሳን ከኣ ሓለውቲ ደገ ኪኾኑ፡ [39] ንኻህን ጻዶቅን ነቶም
ኣሕዋቱ ኻህናትን ከኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብቲ ናይ ጊብዖን በሪኽ ዘሎ ማሕደር እግዚኣብሄር ኰይኖም፡
[40] ከምቲ ኣብቲ ንእስራኤል ዝኣዘዞ ሕጊ እግዚኣብሄር እተጻሕፈ ዘሎ ኹሉ፡ ኲሉጊዜ፡ ብጊሓትን
ምሸትን፡ ኣብቲ መሰውኢ ምሕራር ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ኼዕርጉሉ ኣመዘዞም። [41]
ምሳታቶም ድማ ሄማንን የዱቱንን እቶም ዝተረፉ ብስም እተሰምዩ ሕሩያትን ንእግዚኣብሄር፡ ምሕረቱ
ንዘለኣለም ስለ ዝኾነ፡ ኬመስግንዎ። [42] ምሳታቶምውን ሄማንን የዱቱንን ምስ መለኸታትን ጸናጽላትን
ምስቲ መሳርያታት ሙዚክ ኣምላኽን ነቶም ኣድሚቖም ዜቓንዩ ኣመዘዞም፡ ንደቂ የዱቱን ከኣ ሓለውቲ
ደገ ገበሮም። [43] ብዘሎ እቲ ህዝቢ ድማ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናብ በቤቱ ኸደ። ዳዊት ከኣ ንቤቱ ኪባርኽ
ተመልሰ።

## ምዕራፍ 17

[1] ኰነ ድማ፡ ዳዊት ኣብ ቤቱ ምስ ተቐመጠ፡ ዳዊት ንነብዩ ናታን፡ እንሆ፡ ኣነ ኣብ ቤት ጽሕዲ ተቐሚጠ
ኣሎኹ፡ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ግና ኣብ ትሕቲ መጋረጃታት ኣሎ፡ በሎ። [2] ናታን ከኣ ንዳዊት፡
ኣምላኽ ምሳኻ እዩ እሞ፡ ኣብ ልብኻ ዘሎ ኹሉ ግበር፡ በሎ። [3] ኰነ ድማ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ኽምዚ
ዚብል ቃል ኣምላኽ ናብ ናታን መጸ፡ [4] ኪድ እሞ ንዳዊት ባርያይ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
በሎ፡ ኣነ ዝነብረላ ቤት ንስኻ ኣይክትሰርሓለይን ኢኻ። [5] ካብታ ንእስራኤል ዘደየብኩላ መዓልቲ ኽሳዕ

ሎም መዓልቲ ኻብ ድንኳን ናብ ድንኳን፡ ካብ ማሕደሪውን ናብ ማሕደሪ እኸይድ ነበርኩ እምበር፡ ኣብ ቤትሲ ኣይነበርኩን። [6] ኣብቲ ምስ ብዘሎ እስራኤል እተመላለስኩሉ፡ ንሓደ ኻብቶም ንህዝበይ ኪጓስዩ ንዝኣዘዝክዎም መሳፍንቲ እስራኤል፡ ስለምንታይ ቤት ጽሕዲ ዘይሰራሕኩምለይ ኢለዶ ተዛረብኩ [7] ሕጂ ኸኣ ንባርያይ ዳዊት ከምዚ በሎ፡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል መስፍን ክትከውንሲ፡ ኣነ ኻብቲ ምጕሳይ ካብ ድሕሪ እተን ኣባጊዕ ኣምጻእኩኻ። [8] ኣብ ዝኸድካዮ ዘበለ ኸኣ ምሳኻ ነበርኩ፡ ንዅሎም ጸላእትኻውን ካብ ቅድሜኻ ኣጽነትክዎም። ከም ስም እቶም ኣብ ምድሪ ዘለው ዓበይቲ ድማ ስም ክገብረልካ እየ፡ [9-10] ንህዝበይ እስራኤልውን ቦታ ኽዳልወሉ፡ ድሕሪ ደጊም ከኣ ከይነቓነቕ፡ ኣብታ ቦታ ኽተኽሎ እየ። ሽዑ ኽምቲ ኻብተን ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል ፈረዲ ኪኾኑ ዝኣዘዝኩለን መዓልትታት፡ እቶም ደቂ ዓመጽቲ ኽምቲ ናይ ቀደም ገይሮም መሊሶም ኣይከጨንቕዎምን እዮም። ንዅሎም ጸላእትኻ ድማ ከጥቅዖም እየ። እግዚኣብሄር ደኣ ንኣኻ ቤት ከም ዚሰርሓልካ፡ እነግረካ ኣሎኹ። [11] ኪኸውን ከኣ እዩ፡ መዓልትታትካ ምስ መልኣ፡ ናብ ኣቦታትካውን ምስ ከድካ፡ ብድሕሬኻ ነቲ ካብ ደቅኻ ዚኸውን ዘርእኻ ልዕል ከብሎ እየ፡ መንግስቱ ድማ ከጽንዓ እየ። [12] ንሱ ንኣይ ቤት ኪሰርሓለይ እዩ፡ ኣነ ኸኣ ዝፋኑ ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። [13] ኣነ ኣቦ ክኾኖ እየ፡ ንሱ ድማ ወዲ ኪኾነኒ እዩ። ምሕረተይ ከኣ፡ ከምቲ ኻብቲ ኣብ ቅድሜኻ ዝነበረ ዝመለስክዋ፡ ካብኡ ኣይክመልሳን እየ። [14] ኣብ ቤተይን ኣብ መንግስተይን ደኣ ንዘለኣለም ከቕሙ እየ፡ ዝፋኑ ኸኣ ንዘለኣለም ኪጸንዕ እዩ። [15] ከም ኲሉ እዚ ዘረባ እዝን ከም ኲሉ እዚ ራእይ እዝን ናታይ ከምኡ ገይሩ ንዳዊት ተዛረቦ። [16] ሽዑ ንጉስ ዳዊት ኣትዩ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ተቐሚጡ በለ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዘብጻሕካንስ፡ ኣነ መን እየ ቤተይከ እንታይ እያ [17] ዎ ኣምላኽ፡ እዚ ድማ ንእሽቶ ኾይኑ ተራእዩካስ፡ ብዛዕባ ቤት ባርያኻ ብርሑቕ ዚኸውን ትዛረብ ኣሎኻ። ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ልዕል ዝበለ መዓርግ ከም ንዘለዎ ሰብ ጌርካ ድማ ርኤኻኒ። [18] ንባርያኻስ ትፈልጦ ኣሎኻ እሞ፡ ደጊም ዳዊት ብዛዕባ እዚ ኽብረት ባርያኻ እንታይ ኪውስኽ እዩ [19] ዎ እግዚኣብሄር፡ እዚ ኹሉ ዓበይቲ ነገራት ከተፍልጥሲ፡ ምእንቲ ባርያካ ከም ልብኻን ኢልካ ኹሉ እዚ ዕቤት እዚ ገበርካ። [20] ዎ እግዚኣብሄር፡ በቲ በእዛንና ዝሰማዕናዮ ኹሉ፡ ከማኻ የልቦን፡ ብጀካኻ ድማ ኣምላኽ የልቦን። [21] ከብ ቅድሚ እቲ ኻብ ግብጺ ዘድሐንካዮ ህዝብኻ ኣህዛብ ብምስጓጕካ፡ በዚ ዓብዩን ዜፍርህን ነገር ንኣኻ ስም ክትገብርሲ፡ ህዝቡ ምእንቲ ኪኸውን፡ ኣምላኽ ባዕሉ ኼድሕኖ ዝኸደ፡ ኣብ ምድሪኸ ኸም ህዝብኻ እስራኤል ዝበለ ሓደ ህዝቢዶ ኣሎ እዩ [22] ህዝብኻ እስራኤል ከኣ ንዘለኣለም ንኣኻ ህዝቢ ኪኸውን ገበርካዮ፡ ንስኻ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኹ ኾንካሉ። [23] ሕጂ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ነቲ ብዛዕባ ባርያኻን ብዛዕባ ቤቱን እተዛረብካዮ ነገር ንዘለኣለም ይጽናዕ ኢልካ፡ ከምቲ እተዛረብካዮ ግበር። [24] ሽዑ፡ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ንሱ ንእስራኤል ኣምላኽ እዩ፡ እናተባህለ ስምካ ንዘለኣለም ይጽናዕን ይዕበን። እታ ቤት ዳዊት ባርያኻ ድማ ኣብ ቅድሜኻ ጸኒዓ ኣላ። [25] ዎ ኣምላኸይ፡ ንባርያኻ ቤት ከም እተሰርሓሉስ፡ ንስኻ ኣብ ኣእዛኑ ገሊጽካሉ ኢኻ እሞ፡ ስለዚ ባርያኻ ኣብ ቅድሜኻ ኺጽሊ ኣብ ልቡ ረኸበ። [26] ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኣምላኽ ኢኻ፡ ንባርያኻ ኸኣ እዚ ጽቡቕ ነገር እዚ ኣተስፎኻዮ። [27] ሕጂ ድማ እቲ ንስኻ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ዝባረኽካዮ ንዘለኣለም ብሩኽ እዩ እሞ፡ ቤት ባርያኻ ንዘለኣለም ኣብ ቅድሜኻ ምእንቲ ኽትነበር፡ ክትባርኻ ፈቲኻ ኣሎኻ።

## ምዕራፍ 18

1 ድሕርዚ ኸኣ ኾነ፡ ዳዊት ንፍልስጥኤማውያን ስዒሩ ኣጥቅዖም፡ ንጋትን ዓድታታን ድማ ካብ ኢድ
ፍልስጥኤማውያን ወሰደን። 2 ንሞኣብውን ሰዐሮ እሞ፡ ሞኣባውያን ንዳዊት ገላውኡ ኾይኖም ገጽ
በረኸት ኣምጽኡሉ። 3 ዳዊት ድማ ንስልጣኑ ኣብ ርባ ኤፍራጥስ ኬጽንዖ ምስ ከደ፡ ንሃዳአዔዘር ንጉስ ጾባ
ኣብ ሓማት ሰዐሮ። 4 ዳዊት ከኣ ካብኡ ሽሕ ሰረገላን ሾብዓተ ሽሕ ፈረሰኛን ዕስራ ሽሕ ኣጋራይ ሰብን
ወሰደ። ዳዊት ድማ ንኹሎም ኣፍራስ ሰረገላ ኣእጋሮም ቀንጀቦም፡ ካብኦም ግና ሚእቲ ፈረስ ሰረገላ
ኣትረፈ። 5 እቶም ናይ ደማስቆ ሶርያውያን ከኣ ንሃዳርዔዘር ንጉስ ጾባ ኺረድኡ ኢሎም ምስ መጹ፡ ዳዊት
ካብቶም ሶርያውያን ዕስራን ክልተን ሽሕ ሰብኣይ ቀተለ። 6 ዳዊት ድማ ኣብ ናይ ደማስቆ ሶርያ ሓለውቲ
ኣቐመጠ፡ እቶም ሶርያውያን ከኣ ንዳዊት ገላውኡ ኾይኖም ገጽ በረኸት ኣምጽኡሉ። እግዚኣብሄር ድማ
ንዳዊት ኣብ ዝኸዶ ዘበለ ዲል ሀቦ። 7 ዳዊት ከኣ ነቲ ኣብ ገላው ሃዳርዔዘር ዝነበረ ዋላቱ ወርቂ ወሰዶ፡
ናብ የሩሳሌም ድማ ኣምጽኦ። 8 ዳዊት ከኣ ካብ ጢብሓትን ካብ ኩንን፡ ከተማታት ሃዳርዔዘር፡ ኣዝዩ
ብዙሕ ኣስራዚ ወሰደ። ብእኡ ሰሎሞን ነቲ ባሕሪ ኣስራዝን ነቲ ኣዕኑድን ነቲ ኣቓሑ ኣስራዝን ገበረ። 9
ቶዑ ንጉስ ሓማት ድማ ንዳዊት ንብዘሎ ሰራዊት ሃዳርዔዘር ንጉስ ጾባ ኸም ዝሰዐሮ ምስ ሴምዔ፡ 10
ሃዳርዔዘር ምስ ቶዑ ተዋጊኡ ነበረ እሞ፡ ንንጉስ ዳዊት ብዛዕባ ጥዕናኡ ኺሐቶን ንሃዳርዔዘር ተዋኣጊኡ
ስለ ዝሰዐሮ ኸኣ ኪምርቖን፡ ንወዱ ሃዶራም ለኣኸሉ። ምስኡ ድማ ኩሉ ዓይነት ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን
ኣስራዝን ነበረ። 11 ነዚውን ንጉስ ዳዊት ምስቲ ኻብ ኩሎም ኣህዛብ፡ ካብ ኤዶምን ካብ ሞኣብን ካብ ደቂ
ዓሞንን ካብ ፍልስጥኤማውያንን ካብ ኣማሌቅን፡ ዘምጽኦ ብሩርን ወርቅን ንእግዚኣብሄር ቀደሶ። 12
ኣቢሻይ ወዲ ጽሩያ ድማ ኣብ ለሰ ጨው ካብ ኤዶማውያን ዓሰርተው ሾሞንተ ሽሕ ቀተለ። 13 ኣብ
ኤዶም ከኣ ሓለውቲ ኣቐመጠ፡ ኩሎም ኤዶማውያን ድማ ንዳዊት ገላውኡ ኾኑ፡ እግዚኣብሄር ከኣ
ንዳዊት ኣብ ዝኸዶ ዘበለ ዲል ሀቦ። 14 ዳዊት ድማ ንብዘሎ ህዝቡ ፍርድን ጽድቅን እናገበረ፡ ኣብ ልዕሊ
ኹሉ እስራኤል ነገሰ። 15 ዮኣብ ወዲ ጽሩያ ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ነበረ። የሆሻፋጥ ወዲ ኣሒሉድ ከኣ
ጸሓፍ ዛንታ ነበረ። 16 ጻዶቅ ወዲ ኣሒጡብን ኣቢሜሌክ ወዲ ኣብያታርን ድማ ካህናት ነበሩ፡ ሻውሻ
ኸኣ ጸሓፊ ነበረ። 17 በናያ ወዲ የሆያዳ ድማ ኣብ ልዕሊ ክረታውያንን ጵለታውያንን ነበረ። ደቂ ዳዊት
ከኣ ኣብ ኢድ ንጉስ ሓላቒ ነበሩ።

## ምዕራፍ 19

1 ድሕሪዚ ድማ ኾነ፡ ናሓሽ ንጉስ ደቂ ዓሞን ሞተ፡ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ነገሰ። 2 ዳዊት ድማ፡ ኣቦኡ
ንኣይ ምሕረት ገይሩለይ ነይሩ እዩ እሞ፡ ንሓኑን ወዲ ናሓሽ ምሕረት ክገብረሉ፡ በለ። ዳዊት ከኣ ብዛዕባ
ኣቦኡ ኺጸናንዖ ልኡኻት ሰደደሉ። እቶም ገላው ዳዊት ከኣ ንሓኑን ኬጸናንዕዎ ናብ ሃገር ደቂ ዓሞን
ኣተው። 3 እቶም መሳፍንቲ ደቂ ዓሞን ግና ንሓኑን፡ ዳዊት ነቦኻ ኣኽቢሩዶ መጸናናዕቲ ዝሰደደልካ
ይመስለካ ኣሎ እዞም ገላውኡ ነዛ ሃገር ምእንቲ ኺምርምርዋን ኬጥፍእዋን ኪስልይዋን ደይኾኑን ናባኻ
ዝመጹ፡ በልዎ። 4 ሽዑ ሓኑን ንገላው ዳዊት ወሲዱ ላጸዮም፡ ፈረቓ ኽዳውንቶም ከኣ ከክሳዕ መዓኩሮም
ቈሪጹ ሰደዶም። 5 ነቶም ሰባት ዝኾኖም ነገር ከኣ ገለ ሰባት ከይዶም ንዳዊት ነገርዎ። ንሱ ድማ፡ እቶም
ሰባት ብዙሕ ሓፊሮም ነበሩ እሞ፡ ዚቕበልዎም ሰደደሎም። ንጉስ ከኣ፡ እቲ ጭሕምኹም ክሳዕ ዚበቍል
ኣብ ያሪኮ ጸኒሕኩም ተመለሱ፡ በሎም። 6 ደቂ ዓሞን ድማ ኣብ ዳዊት ብሰሪ ርእሶም ከም እተጸልኡ፡
ምስ ረኣዩ፡ ሓኑንን ደቂ ዓሞንን ካብ ኣራምናሃራዪምን ካብ ኣራምማዓካን ካብ ጾባን ሰረገላታትን
ፈረሰኛታትን ኪካረዩስ፡ ሽሕ ታለንት ብሩር ሰደዱ። 7 ሽዑ ሰላሳን ክልተን ሽሕ ሰረገላን ንንጉስ መዓካን

ንህዝቡን ተኻረዩ፡ እዚኣቶም መጺኦም ኣብ ቅድሚ ሜድባ ሰፈሩ፡ ደቂ ዓሞንውን ካብ ከተማታቶም
ተኣኪቦም ኪዋግኡ መጹ። 8 ዳዊት ከኣ ምስ ሰምዖ፡ ንዮኣብን ንብዘሎ እቲ ሰራዊት ጀጋኑን ሰደደ። 9 ደቂ
ዓሞን ድማ ወጺኦም ኣብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ ንውግእ ተሰለፉ። እቶም ዝመጹ ነገስታት ግና ንበይኖም
ኣብ መሮር ነበሩ። 10 ዮኣብ ከኣ እቲ ውግእ ብቕድሚትን ብድሕሪትን ከም ዝኾኖ ምስ ረኣየ፡ ካብ
ኩሎም እቶም ሕሩያት ኣብ እስራኤል ሐርዩ፡ ኣብ ቅድሚ ሶርያውያን ኣሰለፎም። 11 እቲ ዝተረፈ ህዝቢ
ኸኣ ኣብ ኢድ ኣቢሻይ ሓው ገበሮ፡ ንደቂ ዓሞን ኪቃባበሉ ኸኣ ተሰለፉ። 12 በለ ድማ፡ ሶርያውያን ካባይ
እንተ ሐየሉ፡ ንስኻ ርድኣኒ፡ ደቂ ዓሞን ካባኻ እንተ ሐየሉ ኸኣ፡ ኣነ ኽረድኣካ እየ። 13 ጽናዕ፡ ምእንቲ
ህዝብናን ምእንቲ ኸተማታት ኣምላኽናን ኢልና ድማ ንጽናዕ፡ እግዚኣብሄር ከኣ እቲ ጽቡቕ ኰይኑ
እተራእዮ ይግበር። 14 ሽዑ ዮኣብን እቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝብን ንሶርያውያን ኪዋግእዎም ናብ ቅድሚኦም
ቀረቡ፡ ንሳቶም ከኣ ካብ ቅድሚኡ ሀደሙ። 15 እቶም ደቂ ዓሞን ድማ ሶርያውያን ከም ዝሀደሙ ምስ
ረኣዩ፡ ንሳቶም ከኣ ካብ ቅድሚ ኣቢሻይ ሓው ሀዲሞም ናብታ ኸተማ ኣተው። ሽዑ ዮኣብ ናብ
የሩሳሌም ኣተወ። 16 ሶርያውያን ከኣ ኣብ ቅድሚ እስራኤል ከም እተሳዕሩ ምስ ረኣዩ፡ ልኡኻት ሰደዱ
እሞ፡ ነቶም ኣብ ስግር ርባ ዝነበሩ ሶርያውያን ኣውጽእዎም፡ ሾፋኽ ናይ ሃዳርዔዘር ሓለቓ ሰራዊት ከኣ
መርሖም። 17 እዚ ንዳዊት ምስ ነገርዎ ድማ፡ ንብዘሎ እስራኤል ኣኸቲቱ፡ ዮርዳኖስ ተሳገረ፡ ናብኦም
ቀሪቡ ኸኣ ኣብ ቅድሚኦም ተሰለፈ። ዳዊት ነቶም ሶርያውያን ንውግእ ኪቃባበሎም ምስ ተሰለፈ ኸኣ፡
ንሳቶም ምስኡ ተዋግኡ። 18 እቶም ሶርያውያን ድማ ካብ ቅድሚ እስራኤል ሀደሙ። ዳዊት ከኣ ካብ
ሶርያውያን ሰባት ናይ ሾብዓተ ሽሕ ሰረገላን ኣርብዓ ሽሕ እግረኛ ሰብን ቀተለ። ንሾፋኽ ሓለቓ
ሰራዊትውን ቀተሎ። 19 እቶም ገላው ሃዳርዔዘር ድማ ኣብ ቅድሚ እስራኤል ከም እተሳዕሩ ምስ ረኣዩ፡
ምስ ዳዊት ተዐርቁ እሞ ተገዝእዎ። እቶም ሶርያውያን ከኣ ድሕሪ ደጊም ንደቂ ዓሞን ኪረድእዎም
ኣይፈተውን።

# ምዕራፍ 20

1 ኰነ ድማ፡ ዓመት ምስ ሐለፈ፡ በቲ ነገስታት ንውግእ ዚወጽሉ ጊዜ፡ ዮኣብ ሰራዊት ውግእ ሒዙ ንሃገር
ደቂ ዓሞን ኣጥፍኣ፡ መጺኡ ኸኣ ንራባ ኸበባ። ዳዊት ግና ኣብ የሩሳሌም ይቕመጥ ነበረ። ዮኣብ ከኣ
ንራባ ሰዐራ እሞ ኣፍረሳ። 2 ዳዊት ድማ ነታ ዘውዲ ንጉሶም ካብ ልዕሊ ርእሱ ወሰዳ፡ ሚዛና ኸኣ ሓደ
ታለንት ወርቂ ምዃኑ ረኸቦ፡ ክቡራት ኣዕናቚ ድማ ነበርዋ። ናብ ርእሲ ዳዊት ከኣ ተነብረት። ካብታ
ኸተማ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ምርኮ ኣውጽኤ። 3 ነቲ ኣብ ውሽጣ ዝነበረ ህዝቢ ኸኣ ኣውጺኡ ብመጋዛትን
ብመንኰራዅራት ሓጺንን ብማሒጼታትን ኣንጠቕጠቖም። ዳዊት ድማ ኣብ ኩለን ከተማታት ደቂ
ዓሞን ከምኡ ገበረ። ዳዊትን ኩሉ ህዝብን ከኣ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። 4 ኰነ ድማ፡ ድሕርዚ ምስ
ፍልስጥኤማውያን ኣብ ጌዘር ውግእ ተላዕለ። ሽዑ ሲብካይ ሑሻታዊ ነቲ ኻብ ደቂ ራፋ ዝነበረ ሺጳይ
ቀተሎ። ንሳቶም ከኣ ተገዝኡ። 5 ከም ብሓድሽ ድማ ምስ ፍልስጥኤማውያን ውግእ ኰነ፡ ኤልሓናን ወዲ
ያዒር ከኣ ንላሕሚ ሓው ጎልያድ፡ እቲ ጋታዊ፡ ቀተሎ፡ ንሱ እቲ ዛብያ ዂናቱ ኸንዲ ወንደረሽ ኣላማይ
ዝነበረ እዩ። 6 ከም ብሓድሽ ድማ ኣብ ጋት ውግእ ኰነ። ኣብኡ ሓደ ኣብ ኢደ እግሩ ሸሹድሽተ፡ ማለት
ዕስራን ኣርባዕተን ኣጻብዕ ዘለዎ ነዊሕ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ኸኣ ካብ ሬፋ እተወልደ እዩ። 7 ንሱ
ንእስራኤል ምስ ጸረፎ ድማ፡ ዮናታን፡ ወዲ ሺምዓያ ሓው ዳዊት፡ ቀተሎ። 8 እዚኣቶም ኣብ ጋት ካብ
ራፋ ተወልዱ። ብኢድ ዳዊትን ብኢድ ገላውኡን ከኣ ወደቑ።

# ምዕራፍ 21

1 ሰይጣን ድማ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ተንስኤ እሞ፡ ንዳዊት እስራኤል ኪቈጽር ኣልዓዐሎ። 2 ዳዊት ከኣ
ንዮኣብ ንሓላቑ ህዝብን፡ ኪዱ፡ ንእስራኤል ካብ ብኤርሸባዕ ክሳዕ ዳን ቍጸርዎ፡ ቍጽሮም ምእንቲ
ኽፈልጥ ከኣ፡ ቃል ኣምጽኡለይ፡ በሎም። 3 ዮኣብ ድማ፡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኻብቲ ዘለዎ ሚእቲ ሳዕ
ይወስኮ፡ ግናኸ፡ ዎ ጐይታይ ንጉስ፡ ኲሎም ገላው ጐይታይዶ ኣይኮኑን ስለምንታይ ጐይታይ ነዚ ነገር
እዚ ይደልዮ ኣሎ ስለምንታይከ ንእስራኤል ምኽንያት ንበደል ዚኸውን በለ። 4 እቲ ቓል ንጉስ ግና
ንዮኣብ በርትዖ። ስለዚ ዮኣብ ወጸ፡ ናብ በዘሎ እስራኤል ከይዱ ኸኣ ናብ የሩሳሌም መጸ። 5 ዮኣብ ድማ
ቍጽሪ እቲ እተቈጽረ ህዝቢ ንዳዊት ሀቦ። ካብ ብዘሎ እስራኤል ከኣ ዓሰርተው ሓደ ሚእቲ ሽሕ ሴፍ
ዚመዝ ዘብ ነበሩ፡ ካብ ይሁዳ ኸኣ ኣርባዕተ ሚእትን ሰብዓን ሽሕ ሴፍ ዚመዝ ሰብ ነበሩ። 6 ዮኣብ ግና
ነቲ ቓል ንጉስ ይፍንፍኖ ነበረ እሞ፡ ንሌዊን ብንያምን ኣብ መንጎኦም ኣይቈጸሮምን። 7 እዚ ነገር እዚ ግና
ንኣምላኽ ኣጕሃዮ እሞ፡ ንእስራኤል ቀዘፎ። 8 ሽዑ ዳዊት ንኣምላኽ፡ እዚ ነገር እዚ ብምግባረይ ብዙሕ
በደልኩ፡ ብዙሕ ድማ ዐሸየ እየ እሞ፡ ሕጂ ግና በጃኻ፡ በደል ባርያኻ ኣርሕቆ፡ በሎ። 9 እግዚኣብሄር
ድማ ንጋድ ናይ ዳዊት ረኣዪ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 10 ኪድ እሞ ንዳዊት፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ኣነ ሰለስተ ነገር ኤንብረልካ ኣሎኹ፡ ካብኡ ንኣኻ ሓደ ሕረ እሞ፡ ክገብረልካ እየ፡ ኢልካ ተዛረቦ።
11 ጋድ ከኣ ናብ ዳዊት ኣተወ በሎ ድማ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቲ እትደልዮ ሕረ፡ 12
ሰለስተ ዓመት ጥሜት፡ ወይስ ሴፍ ጸላእቲኻ እናርከበካ ሰለስተ ወርሒ ኻብ ቅድሚ ጸላእትኻ ምህዳም፡
ወይስ ሴፍ እግዚኣብሄር፡ ማለት ኣብዛ ሃገር ሰለስተ መዓልቲ ፌራ፡ እሞ መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ
ብዘላ ምድሪ እስራኤል ጥፍኣት ኬምጽእ። ነቲ ዝለኣኸንስ እንታይ ቃል ከም ዝመልሰሉ ሕጂ ሕሰብ። 13
ዳዊት ንጋድ፡ ኣዝዩ ጨኒቑኒ ኣሎ፡ ግናኸ ምሕረቱ ብዙሕ ዓብዪ እዩ እሞ፡ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ደኣ
እወድቕ፡ ኣብ ኢድ ሰብሲ ኣይወድቕን፡ በሎ። 14 ሽዑ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ፌራ ሰደደሉ እሞ ካብ
እስራኤል ሰብዓ ሽሕ ሰብ ወደቑ። 15 ድማ ኣምላኽ ንየሩሳሌም ኬጥፍኣ መልኣኽ ሰደደላ፡ ንሱ ኼጥፍእ
ከሎ ድማ፡ እግዚኣብሄር ነዚ ረኣዮ እሞ፡ በቲ ኽፉእ ተጣዒሱ፡ ነቲ ዜጥፍእ መልኣኽ፡ ይኣክል፡ ሕጂስ
ኢድካ ምለሳ፡ በሎ። እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ጥቓ ዓውዲ ኣርናን እቲ ይብሳዊ ደው በለ። 16
ዳዊት ድማ ኣዒንቱ ንላዕሊ ቚሕ ኣበላ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎ ምድርን ሰማይን ደው
ኢሉ እተመሌሔት ሴፍ ከኣ ኣብ ኢዱ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም ዘርጊሕዋ ረኣየ። ሽዑ ዳዊትን እቶም
ዓበይትን ማቕ ተኸዲኖም ብገጾም ተደፍኡ። 17 ዳዊት ድማ ንኣምላኽ በሎ፡ ኣነ ደይኮንኩን እቲ ህዝቢ
ኪቝጸር ዝበልኩ ኣነ እየ ዝኣበስኩን ነቲ ብዙሕ ክፉእ ዝገበርኩን፡ እዘን ኣባጊዕ ግና እንታይ ገበራ ዎ
እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፡ ኢድካ ናባይን ናብ ቤት ኣቦይን ደኣ ትኹን እምበር፡ ናብ ህዝብኻስ ንምቕዛፉ
ኣይትኹን። 18 ሽዑ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንጋድ፡ ንዳዊት፡ ንሱ ደይቡ ኣብ ዓውዲ ኦርናን እቲ
ይብሳዊ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ኬቕመሉ፡ ኢሉ ኺነግሮ ኣዘዞ። 19 ዳዊት ከኣ በቲ ጋድ ብስም
እግዚኣብሄር እተዛረቦ ቓል ደየበ። 20 ኦርናን ድማ ግልጽ በለ፡ ነቲ መልኣኽ ከኣ ረኣዮ፡ እቶም ምስኡ
ዝነበሩ ኣርባዕተ ደቁ ድማ ተሐብኡ። ኦርናን ግና ስርናይ የኸይድ ነበረ። 21 ዳዊት ናብ ኦርናን ምስ መጸ
ኸኣ፡ ኦርናን ጠሚቱ ንዳዊት ረኣዮ፡ ካብቲ ዓውዲ ወጺኡ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ዳዊት ብገጹ ናብ ምድሪ
ተደፍኤ። 22 ዳዊት ድማ ንኦርናን፡ እዚ መቕዘፍቲ ኻብ ህዝቢ ምእንቲ ኪኽልከል፡ ንእግዚኣብሄር ኣብኣ
መሰውኢ ኽሰርሓሉስ፡ ቦታ እዚ ዓውዲ ሀበኒ፡ንእኡ ብምሉእ ዋጋ ሀበኒ፡ በሎ። 23 ኦርናን ከኣ ንዳዊት፡
ንኣኻ ውሰዳ፡ ጐይታይ ንጉስ ነቲ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእዮ ይግበር፡ እንሆ፡ እዞም ኣብዑር ንዚሐርር
መስዋእቲ፡ ሰረገላታት ከኣ ንዕጨይቲ፡ ስርናይውን ንመስዋእቲ ብልዒ እህብ፡ ኲሉ ሂበ ኣሎኹ፡ በሎ።

24 ንጉስ ዳዊት ግና ንኦርናን፡ ኣይፋል፡ ንእግዚኣብሄር ኢለስ ናትካ ዝዀነ ኽወስድ ኣይደልን፡ ንዚሓርር
መስዋእቲ ድማ ዋጋ ዜብሉስ ኣየዕርገሉን እየ እሞ፡ ብርግጽ ብምሉእ ዋጋ ደኣ ኽሻየጣ እደሊ ኣሎኹ፡
በሎ። 25 ዳዊት ከኣ ንኦርናን ዋጋ እታ ቦታ ብሚዛን ሹድሽተ ሚእቲ ሲቃል ወርቂ ሀቦ። 26 ዳዊት ድማ
ኣብኡ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ነደቐ፡ ዚሓርር መስዋእቲን መስዋእቲ ምስጋናን ከኣ ኣዕረገ፡ ናብ
እግዚኣብሄር ድማ ተማህለለ፡ ንሱ ኸኣ ብሓዊ ኣብ ልዕሊ እቲ መሰዊኢ ምሕራር ካብ ሰማይ ምላሽ
ሀቦ። 27 እግዚኣብሄር ድማ ነቲ መልኣኽ ተዛረቦ፡ ንሱ ኸኣ ሴፉ ናብ ሰገባኡ መለሳ። 28 በታ ጊዜ እቲኣ
ዳዊት እግዚኣብሄር ኣብቲ ዓውዲ ኦርናን እቲ ይብሳዊ ምላሽ ከም ዝሀቦ ምስ ረኣየ፡ ኣብኡ ሰውኤ። 29
እቲ ሙሴ ኣብ በረኻ ዝገበሮ ማሕደር እግዚኣብሄር እቲ መሰውኢ ምሕራርንሲ በቲ ጊዜ እቲ ኣብቲ ናይ
ጊብዖን በሪኽ እዩ ዝነበረ። 30 ግናኸ ዳዊት ብዛዕባ እታ ሴፍ መልኣኽ እግዚኣብሄር ስለ ዝፈርሄ፡
ንኣምላኽ ኪደልዮ ኢሉ ናብ ቅድሚኡ ኪኸይድ ኣይከኣለን።

# ምዕራፍ 22

1 ዳዊት ከኣ፡ ቤት እግዚኣብሄር ኣብዚ ትኹን፡ ንእስራኤል መሰውኢ ንዚሓርር መስዋእቲ ድማ ኣብዚ
ይኹን፡ በለ። 2 ዳዊት ድማ እቶም ኣብ ሃገር እስራኤል ዚነብሩ ጓኖት ኪእከቡ ኣዘዘ። ቤት ኣምላኽ
ኪስራሕ ከኣ ኣእማን ዚወቕሩ ወቐርቲ ሰርዔ። 3 ዳዊት ድማ ንመዓጹ ኣፍ ደጌታትን ንመተሓሐዝን
ዚኸውን ሽንካር ብዙሕ ሓጺንን ሚዛን ዜብሉ ብዙሕ ኣስራዝን ኣከበ። 4 ሲዶናውያን ጢሮሳውያንን
ብዙሕ ኣእዋም ቄድሮስ ንዳዊት የምጽኡሉ ነበሩ እሞ፡ ቍጽሪ ዜብሉ ኦም ቄድሮስ ከኣ ኣከበ። 5 ዳዊት
ከኣ፡ እዚ ወደይ ሰሎሞን ንኡስን ልምሉምን እዩ፡ እታ ንእግዚኣብሄር እትስራሓሉ ቤት ግና ኣብ ኲለን
ሃገራት ስምይትን ንእድትን ክተከውንሲ፡ ኣዝያ ዓባይ ክትከውን ይግባእ፡ ስለዚ ኽዳልወላ ደልየ ኣሎኹ፡
በለ። ሽዑ ዳዊት ቅድሚ ሞቱ ብዙሕ ኣዳለወ። 6 ንወዱ ሰሎሞን ጸዊዑ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል ቤት ኪሰርሐሉ ኣዘዞ። 7 ዳዊት ድማ ንወዱ ሰሎሞን በሎ፡ ኣነ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኸይ
ቤት ክሰርሓሉ ብልበይ ሐሲበ ነበርኩ። 8 ግናኸ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ፡ ንስኻ
ብዙሕ ደም ኣፍሲስካ፡ ዓበይቲ ውግእ ከኣ ተዋጊእካ ኢኻ፡ እምበኣርሲ ኣብ ቅድመይ ብዙሕ ደም ኣብ
ምድሪ ስለ ዘፍሰስካ፡ ንስመይ ቤት ኣይክትሰርሓሉን ኢኻ። 9 እንሆ፡ ንኣኻ ወዲ ኺውለደልካ እዩ፡ ንሱ
ህዱእ ሰብ ኪኸውን እዩ፡ ኣብ ዙርያኡ ኻብ ዘለው ኹሎም ጸላእቱ ድማ ህድኣት ክህቦ እየ። ስሙ
ሰሎሞን ኪብሀል እዩ እሞ፡ ብዘመኑ ኸኣ ኣብ እስራኤል ሰላምን ህድኣትን ክህብ እየ። 10 ንሱ ንስመይ
ቤት ኪሰርሓሉ እዩ፡ ንሱ ወደይ ኪኾነኒ፡ ኣነ ድማ ኣቦኡ ክኾኖ እየ። ዝፋን መንግስቱ ኸኣ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል ንዘለኣለም ከጽንዓሉ እየ። 11 ሕጂ፡ ኣታ ወደየ፡ እግዚኣብሄር ምሳኻ ይኹን፡ የቕንዓልካውን።
ከምቲ ንሱ ብዛዕባኻ እተዛረቦ ድማ፡ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስራሕ። 12 ሓንትስ ኰታ፡ እግዚኣብሄ
ኣእምሮን ምስትውዓልን ይሀብካ። ንሕጊ እግዚኣብሄር ኣምላኽካውን ክትሕልዎስ፡ ንሱ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል የግዝእካ። 13 ሽዑ እቲ እግዚኣብሄር ንሙሴ ብዛዕባ እስራኤል ዝኣዘዞ ሕጋጋትን ፍርድታትን
ክትገብሮ እንተ ተጠንቀቕካስ፡ ኪቐንዓካ እዩ። ጽናዕን ትባዕን፡ ኣይትፍራህን ኣይትሸበርን። 14 እንሆ ኸኣ፡
ብጭንቀተይ ንቤት እግዚኣብሄር ዚኸውን ሚእቲ ሽሕ ታለንት ወርቂ፡ ሽሕ ሳዕ ሽሕ ታለንት ብሩር
ኣዳለኹ። ኣስራዝን ሓጺንን ከኣ ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ሚዛን ዜብሉ እዩ። ኣዕጫውን ኣእማንን ከኣ
ኣዳሎኹ፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ንስኻ ድማ ክትውስኸሉ ኢኻ። 15 ብዙሓት ዓየይቲ ኸኣ ምሳኻ ኣለው፡
ቀረጽትን ወቐርትን ጸረብትን ኲሉ ዓይነት ዕዮ ዚፈልጡ ኹሎምን። 16 ናይ ወርቂ፡ ናይ ብሩር፡ ናይ

ኣስራዝን ሓጺንን ከኣ ቍጽሪ የብሉን። ተንስእ እሞ ስራሕ፡ እግዚኣብሄር ድማ ምሳኻ ይኹን። 17 ዳዊት
ከኣ ንዅሎም ሓላቓ እስራኤል ንወዱ ሰሎሞን ኪሕግዝዎ ኣዘዞም፡ ከምዚ በሎም፡ 18 እቶም ኣብ ሃገር
ተቐሚጦም ዝነበሩ ኣብ ኢደይ ሂቡኒ፡ እዛ ሃገር ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩምዶ
ምሳኻትኩም ኣየሎን፡ ብዅሉ ወገንከ ዕረፍቲ ሂቡኩም ዶ ኣይኰነን 19 ሕጂስ ልብኹምን ነፍስኹምን
ንምድላይ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምለስዎ። እቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር እቲ ቅዱስ ኣቓሑ
ኣምላኽን ናብታ ንስም እግዚኣብሄር እትስራሕ ቤት ኪኣቱስ፡ ተንስኡ እሞ ነቲ መቕደስ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ስርሕዎ።

# ምዕራፍ 23

1 ዳዊት ድማ ዕድመ ጸጊቡ ኣረጊት ኰነ፡ ንወዱ ሰሎሞን ከኣ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣንገሶ። 2 ዳዊት ድማ
ንዅሎም ሓላቓ እስራኤልን ንኻህናትን ሌዋውያንን ኣከቦም። 3 እቶም ሌዋውያን ከኣ ካብ ወዲ ሰላሳ
ዓመት ንላዕሊ ዘለው ዘበሉ ተቘጽሩ፡ እቲ ቍጽሩ፡ እቲ ቍጽሮም ድማ በብርእሲ ተተባዕታዮም ሰላሳን
ሾሞንተን ሽሕ ኰነ። 4 ዳዊት ከኣ በለ፡ ካብ እዚኣቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነቶ ዕዮ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ኪሐልዮሉ፡ ሹድሽተ ሽሕ ከኣ ሓላቓን ፈረድትን ኪኾኑ፡ 5 ኣርባዕተ ሽሕ ሓለውቲ ደጌታት
ኪኾኑ፡ ኣርባዕተ ሽሕ ድማ በቲ ኣነ፡ ንሱ ብእኡ ኺምስገን፡ ዝግበርክዎ ኣቓሑ ንእግዚኣብሄር ዜመስግኑ
ዘመርቲ ኪኾኑ። 6 ዳዊት ድማ ከምቶም ደቂ ሌዊ ኣብ ናይ ጌርሾንን ቀሃትን መራሪን ክፍልታት
መቐሎም። 7 ካብ ጌርሾናውያን፡ ላዕዳንን ሺምዒን። 8 ደቂ ላዕዳን፡ የሒኤል እቲ ሓለቓን ዜታምን
ዮኤልን፡ ሰለስተ። 9 ደቂ ሺምዒ፡ ሽሎሞትን ሓዚኤልን ሃራንን፡ ሰለስተ። እዚኣቶም ዋናታት ናይ ላዕዳን
ማይ ቤት ኣቦታት እዮም። 10 ደቂ ሺምዒ ኸኣ፡ ያሓትን ዚናን የዑሽን በሪዓ፡ እዚኣቶም ኣርባዕቲኦም ደቂ
ሺምዒ እዮም። 11 ያሓት ዋና ነበረ፡ ዚዛ ድማ እቲ ኻልኣይ። የዑሽን በሪዓን ግና ብዙሓት ደቂ
ኣይነበርዎምን፡ ስለዚ ኸም ሓደ ማይ ቤት ኣቦ ኰይኖም ተቘጽሩ። 12 ደቂ ቀሃት፡ ዓምራምን ዮጽሃርን
ሔብሮንን ዑዚኤልን፡ ኣርባዕተ። 13 ደቂ ዓምሪም ኣሮንን ሙሴን እዮም። ኣሮን ድማ ነቲ ቅዱስ ቅዱሳን
ኪቕድስ ተፈልየ፡ ንሱን ደቁን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ዕጣን ኬዕርጉን ኬገልግልዎን
ብስሙውን ንዘለኣለም ኪባርኹን እዮም። 14 ሙሴ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ግና ደቁ ኣብ ማእከል ነገድ
ሌዊ ተሰምዩ። 15 ደቂ ሙሴ ጌርሾምን ኤልዔዘርን እዮም። 16 ካብ ደቂ ጌርሾም ሼቡኤል ዋና እዩ። 17 ካብ
ደቂ ኤልዔዘር ከኣ ረሓብያ እቲ ዋና እዩ፡ ግናኸ ኤልዔዘር ካልኦት ደቂ ኣይነበርዎን። ደቂ ረሓብያ ግና
ኣዝዮም በዝሑ። 18 ደቂ ዪጽሃር፡ ሽሎሚት እቲ ዋና። 19 ደቂ ሔብሮን፡ የሪያ እቲ ዋና፡ ኣማርያ እቲ
ኻልኣይ፡ ያሓዚኤልእቲ ሳልሳይ፡ ይቃምዓም ድማ እቲ ራብዓይ። 20 ደቂ ዑዚኤል፡ ሚካ እቲ ዋና፡ ዩሺያ
ኸኣ እቲ ኻልኣይ። 21 ደቂ መራሪ፡ ማሕሊን ሙሺን። ደቂ ማሕሊ፡ ኤልኣዛርን ቂሽን። 22 ኤልኣዛር ግና
ኣወዳት ከይሐደገ ሞተ፡ ኣዋልድ ደኣ ነበራኦ፡ ደቂ ቂሽ ኣሕዋተን ከኣ ኣእተውወን። 23 ደቂ ሙሺ፡
ማሕሊን ዔደርን የሬሞትን፡ ሰለስተ። 24 እዚኣቶም በብማይ ቤት ኣቦታቶም፡ ዋናታት መማይ ቤት
ኣቦታት፡ ካብ ደቂ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ዘለው ዘበሉ፡ ኣብቲ ዕዮ ኣገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር ዚዐዩ
ዝነበሩ፡ በብርእሶም ተሰምዮም ብጽሕፈት እተቘጽሩ ደቂ ሌዊ እዮም። 25 ዳዊት ኢሉ እዩ እሞ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ንህዝቡ ኣዕሪፍዎ እዩ፡ ክሳዕ ዘለኣለም ከኣ ኣብ የሩሳሌም ይነብር ኣሎ።
26 ስለዚ ድማ እቶም ሌዋውያን ንድንኳንን ነቲ ንእኡ ዜገልግሉሉ ኹሉ ኣቓሑኡን ኪጾሩ ኣየድልዮምን።
27 በቲ ዳሕራይ ቃላት ዳዊትሲ እቶም ደቂ ሌዊ፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ዘለው ዘበሉ፡ ተቘጽሩ።

28 ኣብ ትሕቲ ኢድ ደቂ ኣሮን ኰይኖም ዕዮኦም ኣብ ኣገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር፡ ኣብ ኣጸድን ኣብ
እቃቤታትን ንኹሉ እቲ ቅዱሳት ነገር ኬጽርይዎን፡ ኣብቲ ኣገልግሎት ቤት ኣምላኽ ብምዕያይን ድማ
እዩ። 29 ነታ እንጌራ ምርኣይን ንመስዋእቲ ብልዒ ዚኸውን ድኹም ሓርጭን ንዘይበኹዔ ረቀቕቲ
ቕጫታትን ኣብ መቕሎ ንተሰንከተን እተሎሰን፡ ንመስፈሪ ዘበለ ኹሉውን ኪሓልዩ። 30 ንግሆ ንግሆ
ድማ ደው ኢሎም ንእግዚኣብሄር ኬመስግንዎን ኪውድስዎን፡ ምሸት ከኣ ኸምኡ፡ 31 ኲሉጊዜ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር፡ ከምዚ ብዛዕባኡ እተሰርዔ፡ ብሰናብትን ብሰርቂ ወርሓትን ብቑጽሪ እተመደበ
በዓላትን ንእግዚኣብሄር ኲሉ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኼዕርጉሉ። 32 ንምሕላው እቲ ድንኳን ምርኻብን
ንምሕላው እቲ መቕደስን፡ እቶም ኣሕዋቶም ደቂ ኣሮን ነገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር ዘለዎም ምሕላው
ድማ ኪሕልው እዮም።

# ምዕራፍ 24

1 ክፍልታት ደቂ ኣሮን ድማ እዚኣቶም ነበሩ፡ ደቂ ኣሮን ናዳብን ኣቢሁን ኤልኣዛርን ኢታማርን እዮም። 2
ናዳብን ኣቢሁን ግና ቅድሚ ኣቦኦም ሞቱ፡ ኣወዳት ከኣ ኣይነበርዎምን፡ ስለዚ ኤልኣዛርን ኢታማርን
ካህናት ኰ ኑ። 3 ዳዊት ድማ ምስ ጻዶቅ ካብ ደቂ ኤልኣዛርን ምስ ኣሒሜሌክ ካብ ደቂ ኢታማርን
ኰይኑ፡ ከምቲ እተሰርዓሎም ኣገልግሎቶም መቐሎም። 4 ኣብ ደቂ ኤልኣዛር ከኣ ካብ ደቂ ኢታማር
ዚበዝሑ ዋናታት ተረኽቡ፡ ከምዚ ኢሎም ከኣ ተመቕሉ፡ ካብ ደቂ ኤልኣዛር ዓሰርተው ሹድሽተ ዋናታት
መማይ ቤት ኣቦታት ኰኑ፡ ካብ ደቂ ኢታማር ከኣ ከከም ማይ ቤት ኣቦታቶም ሸሞንተ ዋናታት ኰኑ። 5
ካብ ደቂ ኤልኣዛር ኰነ፡ ካብ ደቂ ኢታማር ኰነ ሹማምቲ መቕደስን ሹማምቲ ኣምላኽን ነበሩ እሞ፡
ስለዚ እዚኣቶም ምስ እቲ እቶም ብዕጭ ተመቕሉ። 6 እቲ ጸሓፊ፡ ሸማዕያ ወዲ ንታንኤል፡ ካብ ነገድ
ሌዊ፡ ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስን ሹማምትን ካህን ጻዶቅን ኣሒሜሌክ ወዲ ኣብያታርን፡ ኣብ ቅድሚ
ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ካህናትን ሌዋውያንን ጸሐፎም። ሓደ ማይ ቤት ኣቦ ንኤልኣዛር፡ ሓደ ኸኣ
ንኢታማር ተወሰደ። 7 እሞ እቲ ቐዳማይ ዕጭ ንዮያሪብ፡ እቲ ኻልኣይ ንየዳያ ወጸ፡ 8 እቲ ሳልሳይ
ንሓሪም፡ እቲ ራብዓይ ንስዖሪም፡ 9 እቲ ሓምሳይ ንማልኪያ፡ እቲ ሳድሳይ ንሚያሚን፡ 10 እቲ ሳብዓይ
ንሃቆጽ፡ እቲ ሳምናይ ንኣቢ፡ 11 እቲ ታስዓይ ንየሹዓ፡ እቲ ዓስራይ ንሸካንያ፡ 12 መበል ዓሰርተው ሓደ
ንኤልያሺብ፡ መበል ዓሰርተው ክልተ ንያቂም፡ 13 መበል ዓሰርተው ሰለስተ ንሑጳ፡ መበል ዓሰርተው
ኣርባዕተ ንየሸብኣብ፡ 14 መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ንቢልጋ፡ መበል ዓሰርተው ሹድሽተ ንኢመር፡ 15
መበል ዓሰርተው ሾብዓተ ንሔዚር፡ መበል ዓሰርተው ሾምንተ ንሃጺጻድ፡ 16 መበል ዓሰርተው ትሽዓተ
ንጳታሕያ፡ መበል ዕስራ ንይሔዝቅኤል፡ 17 መበል ዕስራን ሓደን ንያኪን፡ መበል ዕስራን ክልተን
ንጋሙል፡ 18 መበል ዕስራን ሰለስተን ንደላያ፡ መበል ዕስራን ኣርባዕተን ንማዓዝያ። 19 ከምቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ብኢድ ኣቦኦም ኣሮን ዝሀቦ ስርዓት ንእኡውን ዝኣዘዞ፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄር
ኪኣትውስ ስርዓት ኣገልግሎቶም እዚ እዩ። 20 ናይቶም ዝተረፉ ደቂ ሌዊ ኸኣ፡ ናይ ደቂ ዓምራም
ሹባኤል፡ ናይ ደቂ ሹባኤል የሕደያ፡ 21 ናይ ረሓብያ፡ ናይ ደቂ ረሓብያ ዩሺያ እቲ ዋና። 22 ናይ
ይጽሓራውያን፡ ሸሎሞት፡ ናይ ደቂ ሸሎሞት ያሓት። 23 ደቂ ሔብሮን ድማ፡ የሪያ እቲ ዋና፡ ኣማርያ እቲ
ኻልኣይ፡ ያሓዚኤል እቲ ሳልሳይ፡ የቃምዓም እቲ ራብዓይ። 24 ደቂ ዑዚኤል፡ ሚካ፡ ናይ ደቂ ሚካ
ሻሚር። 25 ሓው ሚካ፡ ዩሺያ ዘካርያስ። 26 ደቂ መራሪ ማሕሊን ሙሺን እዮም፡ ደቂ ያዓዚያ፡ ቤኖ። 27
ደቂ መራሪ ናይ ያዓዚያ፡ ቤኖን ሾሃምን ዛኩርን ዒብሪን። 28 ናይ ማሕሊ፡ ኤልኣዛር፡ ንሱ ድማ ደቂ

ኣይነበርዎን። 29 ናይ ቂስ፡ ደቂ ቂስ የራሕምኤል። 30 ደቂ ሙሺ ኸኣ፡ ማሕሊን ዔደርን የሪሞትን።
እዚኣቶም በብማይ ቤት ኣቦታቶም ደቂ ሌዋውያን እዮም። 31 እዚኣቶም ድማ ከምቶም ኣሕዋቶም ደቂ
ኣሮን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ዳዊትን ጻዶቅን ኣሒሜሌክን ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ካህናትን ሌዋውያንን፡
እቶም ኣውራታት ማይ ቤት ኣቦታት ምስቶም ናእሽቱ ኣሕዋቶም ማዕረ፡ ዕጭ ተዋደቑ።

# ምዕራፍ 25

1 ዳዊት ድማ ምስ ሹማምቲ ሰራዊት ኰይኑ፡ ንደቂ ኣሳፍን ሄማንን የዱቱንን ነገልግሎት፡ ብበገናን
መሰንቆን ብጸናጽልን ትንቢት ኪነግሩ ፈለዮም። ቍጽሪ እቶም ከከም ኣገልግሎትም ዚዐዩ ዝነበሩ ሰባት
ከኣ እዚ እዩ፡ 2 ካብ ደቂ ኣሳፍ፡ ዛኩርን ዮሴፍን ነታንያን ኣሳርኤላን፡ ደቂ ኣሳፍ፡ ኣብ ትሕቲ ኢድ እቲ
ኸም ትእዛዝ ንጉስ ዜንበ ዝነበረ ኣሳፍ ዚኾኑ። 3 ካብ የዱቱን፡ ደቂ የዳቱን፡ ግዳልያን ጸሪን የሻዕያን
ሓሻብያን ማቲትያን፡ ሹድሽተ፡ ብበገና ብትሕቲ ኢድ እቲ ንእግዚኣብሄር ብምምስጋን ብምኽባርን ዜንበ
ዝነበረ ኣቦኦም የዳቱን ዚኾኑ። 4 ካብ ሄማን፡ ደቂ ሄማን፡ ቡቂያ፡ ማታንያ፡ ዑዚኤል፡ ሼቡኤል፡
የሪሞት፡ ሓናንያ፡ ኤሊኣታ፡ ጊዳልቲ፡ ሮማምቲዕዘር፡ ዮሽብቃሽ፡ ማሎቲ፡ ሆቲር፡ ማሓዚኦት። 5
እዚኣቶም ኲሎም ደቂ ሂማን ነበሩ፡ንሱ፡ ነቲ ቐርኒ ልዕል ኬብሉ፡ ኣብ ቃላት ኣምላኽ ናይ ንጉስ ረኣዩ
ነበረ። ኣምላኽ ከኣ ንሄማን ዓሰርተው ኣርባዕተ ኣወዳትን ሰለስተ ኣዋልድን ሀበ። 6 እዚኣቶም ኲሎም
በቲ መዝሙር ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ነገልግሎት ቤት ኣምላኽ ብዘሎ ጸናጽልን መሰንቆን በገናን፡ ከምቲ
ትእዛዝ ንጉስ፡ ኣብ ትሕቲ ኣእዳው ኣኣቦኦም ኣሳፍን የዱቱንን ሄማንን ነበሩ። 7 ቍጽሮም ድማ፡ ምስቶም
ንእግዚኣብሄር ምዝማር እተማህሩ፡ ኲሎም ፈላጣት ኣሕዋቶም ክልተ ሚእትን ሰማንያን ሾሞንተን
ኰነ። 8 ብዛዕባ እቲ ኣገልግሎት ድማ ተመዓራርዮም እቲ ንእሽቶ ኸምቲ ዓብዪ፡ እቲ መምህር ከምቲ
ተማሃሪ ዕጭ ተዋደቑሉ። 9 እታ ቐዳመይቲ ዕጭ ንኣሳፍ ኣብ ዮሴፍ በጽሔት፡ እታ ኻልኣይቲ ንግዳልያ፡
ንሱን ኣሕዋቱን ደቁን ዓሰርተው ክልተ ነበሩ። 10 እታ ሳልሰይቲ ንዛኩር፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው
ክልተ። 11 እታ ራብዐይቲ ንዪጽሪ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 12 እታ ሓምሰይቲ ንነገታንያ፡ ደቁን
ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 13 እታ ሳድሰይቲ ንቡቂያ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 14 እታ
ሳብዐይቲ ንየሻርኤላ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 15 እታ ሳምነይቲ ንየሻዕያ፡ ደቁን ኣሕዋቱን
ዓሰርተው ክልተ። 16 እታ ታስዐይቲ ንማታንያ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 17 እታ ዓስረይቲ
ንሺምዒ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 18 እታ መበል ዓሰርተው ሓድ ንዓዛርኤል፡ ደቁን ኣሕዋቱን
ዓሰርተው ክልተ። 19 እታ መበል ዓሰርተው ክልተ ንሓሻብያ፡ ድቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 20 እታ
መበል ዓሰርተው ሰለስተ ንየሹባኤል፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 21 እታ መበል ዓሰርተው
ኣርባዕተ ንማቲትያ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 22 እታ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ንይሬሞት፡
ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 23 እታ መበል ዓሰርተው ሹድሽተ ንሓናንያ፡ ደቁን ኣሕዋቱን
ዓሰርተው ክልተ። 24 እታ መበል ዓሰርተው ሾብዓተ ንዮሽብቃሽ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 25
እታ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ንሓናኒ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 26 እታ መበል ዓሰርተው
ትሸዓተ ንማሎቲ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 27 እታ መበል ዕስራ ንኤሊያታ፡ ደቁን ኣሕዋቱን
ዓሰርተው ክልተ። 28 እታ መበል ዕስራን ሓደን ንሆቲር፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 29 እታ መበል
ዕስራን ክልተን ንጊዳልቲ፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 30 እታ መበል ዕስራን ሰለስተን
ንማሓዚኣት፡ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ። 31 እታ መበል ዕስራን ኣርባዕተን ንሮማምቲዕዘር፡ ደቁን

ኣሕዋቱን ዓሰርተው ክልተ።

# ምዕራፍ 26

1 ብናይ ክፍልታት ሓለውቲ ደጌታት፡ ካብ ቆረሓውያን መሸለምያ፡ ወዲ ቆሬ ኻብ ደቂ ኣሳፍ። 2
መሸለምያ ኸኣ ደቂ ነበርዎ፡ እቲ በዂሪ ዘካርያስ፡ እቲ ኻልኣይ የዲዓኤል፡ እቲ ሳልሳይ ዘባድያ፡ እቲ
ራብዓይ የትኒኤል፡ 3 እቲ ሓምሳይ ዔላም፡ እቲ ሳድሳይ ዮሓናን፡ እቲ ሳብዓይ ኤልይሆዔላም። 4
ዖቤድኤዶም ድማ ደቂ ነበርዎ፡ እቲ በዂሪ ሸማዕያ፡ እቲ ኻልኣይ የሆዛባድ፡ እቲ ሳልሳይ ዮኣሕ፡ እቲ
ራብዓይ ከኣ ሳካር፡ እቲ ሓምሳይውን ንታንኤል፡ 5 እቲ ሳድሳይ ዓሚኤል፡ እቲ ሳብዓይ ይሳኮር፡ እቲ
ሳምናይ ጰዑለታይ፡ ኣምላኽ ባሪኽዎ ነበረ። 6 ንወዱ ሸማዕያ ኸኣ ኣወዳት ተወልዱሉ፡ ንሳቶም ሓያላት
ብርቱዓትን ሰብ ነበሩ እሞ፡ ኣብ ቤት ኣቦኦም ይገዝኡ ነበሩ። 7 ደቂ ሸማዕያ፡ ዖትኒን ረፋኤልን ዖቤድን
ኤልዛባድን፡ እቶም ንፉዓት ሰባት ዝነበሩ ኣሕዋቱ ኤሊሁን ሰማክያን። 8 እዚኣቶም ኲሎም ካብ ደቂ
ዖቤድኤዶም ነበሩ፡ ንሳቶምን ደቆምን ኣሕዋቶምን ነገልግሎት ዚበቕዑ ንፉዓት ሰባት፡ ስሳን ክልተን ካብ
ዖቤድኤዶም። 9 መሸለምያውን ደቅን ኣሕዋትን ነበርዎ፡ ዓሰርተው ሸሞንተ ንፉዓት ሰባት። 10 ሖሳ ኻብ
ደቂ መራሪ ድማ ደቂ ነበርዎ፡ ሺምሪ ዋና ነበረ፡ ንሱ በዂሪ ዘይኰነ ኸነሱ፡ ኣቦኡ ዋና ገበሮ። 11 እቲ
ኻልኣይ ሒልቂያ፡ እቲ ሳልሳይ ጠበልያ፡ እቲ ራብዓይ ዘካርያስ፡ ናይ ሖሳ ደቅን ኣሕዋትን ኲሎም
ዓሰርተው ሰለስተ ነበሩ። 12 እቶም ክፍልታት ሓለውቲ ደጌታት፡ ካብዚኣቶም እቶም ዝነበሩ፡ ማለት
ካብቶም ኣውራ ዋናታት እዮም፡ ንሳቶም ነገልግሎት ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ከም ኣሕዋቶም መዚ
ተቐበሉ። 13 ነናይ ደገ ኽም መማይ ቤት ኣቦታቶም ንእሽቶ ኽም ዓብዩ ዕጭ ተዋደቑለን። 14 እቲ ናይ
ምብራቕ ዕጭ ኣብ ሸለምያ ወደቐ። ለባም መኻሪ ንዝነበረ ወዱ ዘካርያስ ድማ ዕጭ ኣውደቑሉ፡ ዕጩ
ኸኣ ብናይ ሰሜን ወጸ። 15 ንዖቤድኤዶም እቲ ናይ ደቡብ በጽሖ፡ ነቶም ደቁ ድማ ቤት መዛግብቲ። 16
ናብ ምዕራብ፡ እቲ ኣብ ጥቓ እታ ደገ ሻለከት እተደይብ መገዲ ንሹጲምን ንሖሳን በጽሖም። ንሱ እታ
ሓለዋ ኣብ መንጽር ሓለዋ ናይ ዘለዋኦ እዩ። 17 ብምብራቕ ሹድሽተ ሌዋውያን ነበሩ፡ ብሰሜን ብየዕለቱ
ኣርባዕተ፡ ብደቡብ ብየዕለቱ ኣርባዕተ፡ ኣብ ቤት መዛግብቲ ኸኣ ክልተን ክልተን። 18 ንጳርባር ብወገን
ምዕራብ ኣብታ ልዕል ዝበለት በገዲ ኣርባዕተ፡ ኣብ ጳርባር ድማ ክልተ ነበሩ። 19 እቶም ካብ ደቂ ቆሬን
ካብ ደቂ መራሪን ዝነበሩ ኽፍልታት ሓለውቲ ደጌታት እዚኣቶም እዮም። 20 ካብ ሌዋውያን ድማ ኣሒያ
ኣብ ልዕሊ መዛግብቲ ቤት ኣምላኽን ኣብ ልዕሊ መዛግብቲ እቲ እተቐደሰ ነገርን ነበረ። 21 ደቂ ላዕዳን፡
ደቂ ጌርሻናውያን ካብ ላዕዳን፡ ዋናታት ናይቲ ጌርሾናዊ ላዕዳን ማይ ቤት ኣቦታት የሒኤላውን ነበሩ። 22
ደቂ የሒኤላውያን፡ ዜታምን ሓው ዮኤልን ኣብ ልዕሊ መዛግብቲ ቤት እግዚኣብሄር ነበሩ። 23 ካብ
ኣምራማውያን፡ ካብ ዩጽሃራውያን፡ ካብ ሔብሮናውያን፡ ካብ ዑዚኤላውያንስ፡ 24 ሸቡኤል፡ ወዲ ጌርሾም
ወዲ ሙሴ፡ ኣብ ልዕሊ መዛግብቲ ሹም ነበረ። 25 እቶም ካብ ኤሊዓዘር ዝነበሩ ኣሕዋቱ ኸኣ፡ ረሓብያ
ወዲ፡ ይሻዕያ ወዱ፡ ዮራም ወዱ፡ ዚክሪ ወዱ፡ ሸሎሞት ወዱ። 26 እዚ ሸሎሞት እዝን ኣሕዋቱን ኣብ
ልዕሊ ኹሉ እቲ እተቐደሰ ነገር መዛግብቲ ነበሩ፡ ማለት እቲ ንጉስ ዳዊትን ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታትን
ሓላቑ ሽሕን ሚእትን ሓላቑ ሰራዊትን ዝቐደስዎ ነገር። 27 ካብቲ ኣብ ውግእ ዝማረኽዎ ንመተዓራረዩ
ቤት እግዚኣብሄር ቀዲሶምዎ ነበሩ። 28 ድማ ኹሉ እቲ ሳሙኤል ረኣይን ሳኦል ወዲ ቂስን ኣብኔር ወዲ
ኔርን ዮኣብ ወዲ ጽሩያን ዝቐደስዎ፡ ማንም ዝቐደሶ ዘበለ ኹሉ ኣብ ትሕቲ ኢድ ሸሎሞትን ኣሕዋቱን
ነበረ። 29 ኣብ ዩጽሃራውያን፡ ከናንያን ደቁን ኣብ ግዳማዊ ስራሕ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ሹማምትን

ፈረድትን ነበሩ። 30 ካብ ሔብሮናውያን፡ ሓሻብያን ኣሕዋቱን ሃበርም ሰብኡት፡ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን፡
ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ብወገን ምዕራብ ንመጋብነት ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኣብ ኲሉ ዕዮ እግዚኣብሄር ኣብ
ኣገልግሎት ንጉስን ተመዘዙ። 31 ካብ ሔብሮናውያን፡ የሪያ ነቶም ሔብሮናውያን ከም ወለዶ ማይ ቤት
ኣቦታት ዋናኦም ነበረ። ንግዝኣት ዳዊትስ ኣብ መበል ኣርብዓ ዓመቱ ብዛዕባኦም መርመሩ እሞ ኣብ
መንጎኦም ኣብ ያዕዜር ኣብ ጊልዓድ ሓያላት ጀጋኑ ተረኽቡ። 32 ኣሕዋቱ ድማ ክልተ ሽሕን ሾብዓተ
ሚእትን፡ ሃበርም ሰብኡት፡ ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ነበሩ። ንጉስ ዳዊት ከኣ ኣብ ልዕሊ ሮቤላውያንን
ጋዳውያንን ፈረቓ ምናሴን ኣብ ኲሉ ናይ ኣምላኽ ነገርን ናይ ንጉስ ነገርን ሸሞም።

# ምዕራፍ 27

1 ደቂ እስራኤል ድማ ከም ቍጽሮም፡ ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታትን ሓላቓ ኣሽሓትን ሚእታታትን፡ እቶም
በቲ ናይ ክፍልታት ኲሉ ነገር ንንጉስ ዜገልግሉ መኳንንቶምን፡ ንሳቶም ብኹለን ወርሓትን ዓመት ኣብ
ወወርሒ ይኣትውን ይወጹን ነበሩ፡ ናይ ሐሓደ ኽፍሊ ዔዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 2 ኣብ ልዕሊ እቲ
ቐዳማይ ክፍሊ ናይታ ቐዳመይቲ ወርሒ ያሾብዓም ወዲ ዛብዲኤል ነበረ፡ እቶም ክፍሉ ኸኣ ዕስራን
ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 3 ንሱ ኻብ ደቂ ፌሬስ ነበረ፡ ንኹሎም እቶም ሓላቓ ናይቲ ሰራዊት ናይ
ቀዳመይቲ ወርሒ ንሱ ሓለቓኦም ነበረ። 4 ኣብ ልዕሊ እቲ ኽፍሊ ናይ ካልኣይቲ ወርሒ ድማ ዶዳይ እቲ
ኣሖሓዊ ምስ ክፍሉ። ሚቅሎት ሹም ነበረ፡ እቶም ክፍሉ ኸኣ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 5 እቲ በቲ
ሳልሰይቲ ወርሒ ራእሲ ኾይኑ ዜገልግል ሳልሳይ ሓለቓ ሰራዊት በናያ ወዲ እቲ ኻህን የሆያዳ እዩ፡
እቶም ክፍሉ ድማ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 6 እዚ በናያ እዚ እቲ ጅግና ኻብቶም ሰላሳ፡ ኣብ ልዕሊ
እቶም ሰላሳ ዝነበሩ እዩ። ኣብቲ ኽፍሉ ድማ ወዱ ዓሚዛባድ ነበረ። 7 እቲ ራብዓይ ናይ ራብዐይቲ
ወርሒ፡ ዓሳሄል ሓው ዮኣብ ነበረ፡ ብድሕሪኡ ኸኣ ወዱ ዘባድያ። እቶም ክፍሉ ድማ ዕስራን ኣርባዕተን
ሽሕ ነበሩ። 8 እቲ ሓምሳይ ሐለቓ፡ ናይ ሓምሳይቲ ወርሒ፡ ሻምሁት እቲ ይዝራሓዊ ነበረ። እቶም ክፍሉ
ኸኣ ዕስራንት ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 9 እቲ ሳድሳይ ናይ ሳድሰይቲ ወርሒ፡ ዒራ፡ ወዲ ዒቀሽ እቲ
ተቆዓዊ፡ ነበረ። እቶም ክፍሉ ድማ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 10 እቲ ሳብዓይ ናይ ሳብዐይቲ ወርሒ፡
ሔለጽ እቲ ጰሎናዊ ኻብ ደቂ ኤፍሬም ነበረ። እቶም ክፍሉ ኸኣ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 11 እቲ
ሳምናይ ናይ ሳምነይቲ ወርሒ፡ ሲብካይ፡ እቲ ሑሻታዊ ኻብ ዜራሓውያን፡ ነበረ። እቶም ክፍሉ ድማ
ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 12 እቲ ታስዓይ ናይ ታስዐይቲ ወርሒ፡ ኣቢዔዘር፡ እቲ ዓናቶታዊ ኻብ
ብንያማውያን፡ ነበረ። እቶም ክፍሉ ኸኣ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 13 እቲ ዓስራይ ናይ ዓስረይቲ
ወርሒ፡ ማሓራይ፡ እቲ ነጦፍታዊ ካብ ዜራሓውያን፡ ነበረ። እቶም ክፍሉ ድማ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ
ነበሩ። 14 እቲ መበል ዓሰርተው ሓደ ናይ መበል ዓሰርተው ሓደ ወርሒ ዜገልግል፡ በናያ፡ ጲርዓቶናዊ
ኻብ ደቂ ኤፍሬም፡ ነበረ። እቶም ክፍሉ ኸኣ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 15 እቲ መበል ዓሰርተው
ክልተ፡ ናይ መበል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ሔልዳይ፡ እቲ ነጦፋታዊ ኻብ ዖትኒኤል፡ ነበረ። እቶም
ክፍሉ ድማ ዕስራን ኣርባዕተን ሽሕ ነበሩ። 16 ኣብ ልዕሊ ነገዳት እስራኤል ድማ እዚኣቶም ነበሩ፡ መስፍን
ካብ ሮቤላውያን ኤሊዔዘር ወዲ ዚክሪ ነበረ። ካብ ስምኦናውያን ሸፋጥያ ወዲ ማዓካ። 17 ካብ ሌዋውያን
ሓሻብያ፡ ወዲ ቄሙኤል፡ ካብ ኣሮን ጻዶቅ። 18 ካብ ይሁዳ ኤሊሁ፡ ሓደ ኻብ ኣሕዋት ዳዊት፡ ካብ
ይሳኮር ዖምሪ ወዲ ሚካኤል። 19 ካ ዛብሎን ዪሽማዕያ ወዲ ዖባድያ፡ ካብ ንፍታሌም የሪሞት ወዲ
ዓዝሪኤል። 20 ካብ ደቂ ኤፍሬም ሆሼዓ ወዲ ኣዛዝያ፡ ካብቲ ፈረቓ ነገድ ምናሴ ዮኤል ወዲ ጴዳያ። 21

ካብቲ ፈረቓ ነገድ ምናሴ ኣብ ጊልዓድ ኢዶ ወዲ ዘካርያስ፡ ካብ ብንያም ይዓሲኤል ወዲ ኣብኔር። 22
ካብ ዳን ዓዛርኤል ወዲ ይሮሓም። እዚኣቶም ሓላቑ ነገዳት እስራኤል ነበሩ። 23 ግናኸ እግዚኣብሄር
ንእስራኤል ከም ከዋኽብቲ ሰማይ ከም ዜብዝሖም ኢሉ ነበረ እሞ፡ ዳዊት ነቶም ደቂ ዕስራ ዓመትን
ካብኡ ንታሕትን ዝነበሩ ዘበሉ ኣይቈጸሮምን። 24 ዮኣብ ወዲ ጽሩያስ ኪቘጽር ጀሚሩ ነበረ፡ ግናኸ
ኣይወድኦን። ብሰሪ እዚ ድማ ናብ ልዕሊ እስራኤል መዓት መጸ። እቲ ቑጽሪ ድማ ኣብቲ መጽሓፍ
ዛንታ ዘመን ንጉስ ዳዊት ኣይተጻሕፈን። 25 ኣብ ልዕሊ መዛግብቲ ንጉስ ከኣ ዓዝማዌት ወዲ ዓዲኤል
ነበረ። ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ግራሁን ኣብ ከተማታትን ኣብ ዓድታትን ኣብ እምባታትን ዝነበረ ጥሪት ድማ
ዮናታን ወዲ ዑዚያ ነበረ። 26 ኣብ ልዕሊ እቶም ንምድሪ ኺሐርሱ፡ ኣብቲ ናይ ግራት ዕዮ ዚዐዩ ዝነበሩ
ኸኣ ዔዝሪ ወዲ ኬሉብ ነበረ። 27 ኣብ ልዕሊ እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ድማ ሺምዒ እቲ ራማታዊ ነበረ። ኣብ
ልዕሊ እቲ ኣብ መዓካን ወይኒ ዚኣቱ እቶት ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ ዛብዲ እቲ ሺፍማዊ ነበረ። 28 ኣብ
ልዕሊ ኣታኽልቲ ኣውልዕን ኣብ ጐልጐል ዝነበረ ሰጋሉን ድማ በዓልሓናን እቲ ግደራዊ ነበረ፡ ኣብ ልዕሊ
መዛግብቲ ዘይቲ ኸኣ ዮዓሽ ነበረ። 29 ኣብ ልዕሊ እተን ኣብ ሳሮን ዚጓሰያ ኽብቲ ድማ ሺጥራይ እቲ
ሳሮናዊ ነበረ፡ ኣብ ልዕሊ እተን ኣብ ለሴታት ዝነበራ ኽብቲውን ሻፋጥ ወዲ ዓድላይ ነበረ። 30 ኣብ ልዕሊ
እተን ኣግማል ከኣ ኦቢል እቲ እስማኤላዊ ነበረ። ኣብ ልዕሊ እተን ኣእዱግ ድማ የሕደያ እቲ ሜሮናታዊ
ነበረ። 31 ኣብ ልዕሊ እተን ኣባጊዕ ከኣ ያዚዝ እቲ ሃገራዊ ነበረ። እዚኣቶም ኲሎም ሓላቑ እቲ ናይ ንጉስ
ዳዊት ዝነበረ ሃብቲ ነበሩ። 32 ዮናታን፡ ሓው ኣቦኡ ንዳዊት፡ ኣማኻሪ ነበረ፡ ንሱ ኣስተውዓሊ ሰብኣይን
ጸሓፍን ነበረ፡ የሒኤል ወዲ ሓቅሞኒ ኸኣ ምስ ደቂ ንጉስ ነበረ። 33 ኣሒቶፌል ድማ መኻሪ ንጉስ ነበረ፡
ሑሻይ እቲ ኣርካዊ ኸኣ ዓርኪ ንጉስ ነበረ። 34 ድሕሪ ኣሒቶፌል ድማ የሆያዳ ወዲ በናያን ኣብያታርን
ነበሩ። ዮኣብ ድማ ሓለቓ ሰራዊት ንጉስ ነበረ።

# ምዕራፍ 28

1 ዳዊት ድማ ንኹሎም ሓላቑ እስራኤል፡ ነቶም ዋናታት ነገዳትን ሓላቑ እቶም ንንጉስ ዜገልግሉ
ኽፍልታትን ሓላቑ ሽሕን ሓላቑ ሚእትን፡ ሓላቑ እቲ ናይ ንጉስን ናይ ደቁን ኲሉ ገንዘቡን ከብትን
ምስቶም መኳንንትን ጀጋኑን፡ ኲሎም ሓያላት ጀጋኑ፡ ኣብ የሩሳሌም ኣከቦም። 2 ሽዑ ንጉስ ዳዊት በእጋሩ
ደው ኢሉ በለ፡ ኣቱም ኣሕዋተይን ህዝበይን፡ ስምዑኒ፡ ኣነ ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ነታ ድኳ እግሪ
ኣምላኽናን ቤት ዕረፍቲ ኽሰርሕ ኣብ ልበይ ነበረኒ፡ ንምስራሕ ዚኸውን ከኣ ኣዳሎኹ። 3 ኣምላኽ ግና፡
ንስኻ ናይ ውግእ ሰብ ኢኻ፡ ደም ድማ ኣፍሲስካ ኔርካ ኢኻ እሞ፡ ንስመይ ቤት ኣይትሰርሓሉን ኢኻ፡
በለኒ። 4 ግናኸ ንይኑዳ መስፍን ኪኸውን ሐረየ፡ ኣብ ቤት ይሁዳውን ቤት ኣቦይ፡ ኣብ መንጎ እቶም ደቂ
ኣቦይ ከኣ ንኣይ ኣብ ልዕሊ ብዘሎ እስራኤል ኬንግሰኒ ብሂጉ እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል
ንኣይ ንዘለኣለም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ ክኸውን ካብ ብዘላ ቤት ኣቦይ ሐረየኒ። 5 ካብ ኲሎም
ደቀይ ድማ፡ እግዚኣብሄር ብዙሓት ደቂ ሂቡኒ እዩ እሞ፡ ንወደይ ሰሎሞን ኣብ ዝፋን መንግስቲ
እግዚኣብሄር፡ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ኪቕመጥ ሐረየ። 6 በለኒ ድማ፡ ወድኻ ሰሎሞን፡ ንእኡ ወደይ
ኪኾነኒ፡ ኣነውን ኣቦኡ ክኾኖ ሐርየዮ እየ እሞ፡ ንሱ ቤተይን ኣጸዳተይን ኪሰርሕ እዩ። 7 ንሱ ኽምቲ
ሎሚ ዘሎ ንትእዛዛተይን ፍርድታተይን ንምግባሩ እንተ ጸንዔ ኸኣ፡ ነታ መንግስቱ ንዘለኣለም ከጽንዓ
እየ። 8 ሕጂ ድማ ኣብ ቅድሚ ብዘሎ እስራኤል እዛ ማሕበር እግዚኣብሄር እናሰምዖ፡ ነዛ ጽብቕቲ ሃገር
ምእንቲ ኽትወርስዋ፡ ንደቅኹምውን ድሕሬኹም ንዘለኣለም ከተረስትይዎም፡ ንኹሉ ትእዛዛት

እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ሓልውዎን ድለይዎን። 9 ኣታ ወደይ ሰሎሞን ድማ፡ ነቲ ኣምላኽ ኣቦኻ ፍለጦ፡
ብፍጹም ልብን ብፍታው ነፍስን ከኣ ኣገልግሎ። እግዚኣብሄር ንዅሉ ልብታት ይመራምሮ፡ ንዅሉ
ምኽሪ ሓሳባት ድማ ይፈልጦ እዩ እሞ፡ እንተ ደሊኻዮስ፡ ኪርከበልካ እዩ። እንተ ሐደግካዮ ግና፡
ንዘለኣለም ኪድርብየካ እዩ። 10 ሕጂስ ተመልከት፡ ንመቕደስ እትኸውን ቤት ክትሰርሕ ሐርዩካ እዩ እሞ፡
ጽናዕን ስራሕን። 11 ዳዊት ድማ ምስሊ ገበላ መቕደስን ኣባይቱን መዛግቡቱን ደርብታቱን ውሽጣዊ
ኽፍልታቱን ነቲ ናይ መኽደን መተዓረቒ ቦታን ንወዱ ሰሎሞን ሀቦ። 12 ናይቲ ብመንፈስ ዝነበሮ ዅሉ፡
ናይ ኣጸዳት ቤት እግዚኣብሄርን ናይተን ብዙርያ ዚኾና ዅለን እቃቤታትን ናይቲ መዛግብቲ ቤት
እግዚኣብሄር መዛግብቲ እቲ እተቐደሰ ነገርን ምስሊ ድማ ሀቦ። 13 ቀጺሉ ኸኣ ናይ ክፍልታት ካህናትን
ሌዋውያንን፡ ኲሉ ዕዮ ኣገልግሎት ቤት እግዚኣብሄርን ናይ ኲሉ ኣቓሑ ኣገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር፡
14 ብመጠን ሚዛን ወርቂ ናይ ኣቓሑ ወርቂ፡ ንዅሉ ዓይነት ኣገልግሎት ዚኸውን ናይ ኲሉ ኣቓሑ፡
ብመጠን ሚዛን ናይ ዅሉ ኣቓሑ፡ ብመጠን ሚዛን ናይ ኲሉ ኣቓሑ ብሩር፡ ንዅሉ ዓይነት ኣገልግሎት
ዚኸውን ናይ ኲሉ ኣቓሑ፡ 15 ሚዛን ድማ ነቲ ናይ ወርቂ ቐዋሚ-ታት ቀንዲልን ናይ ወርቂ ቐልዒታቱን፡
ሚዛን ነናይ ቀዋሚ ቐንዴልን ቅልዒታቱን፡ ሚዛን ከኣ ነቲ ናይ ብሩር ቀዋሚታት ቀነዲል፡ ከከም
ምግልጋል እቲ ቐዋሚ ቐንዴል፡ ነናይ ቀዋሚ ቐንዴልን ቅልዒታቱን ሚዛን ሀቦ። 16 ድማ ነቲ ሰደቓታት
እንጌራ ምርኣይ፡ ነንሰደቓ ዚኸውን ወርቂ ብሚዛን፡ ንሰደቓታት ብሩር ከኣ ብሩር ሀቦ። 17 ድማ
ንሻኹታትን ጭሔሎታትን ኲስኲስትታትን ዚኸውን ጽሩይ ወርቂ፡ ንናይ ወርቂ ጽዋኣትውን ነንጽዋእ
ብሚዛን፡ ንናይ ብሩር ጽዋኣት ከኣ ነንጽዋእ ብሚዛን ሀቦ። 18 ነቲ መሰውኢ ዕጣን ዚኸውን እተኾልዔ
ወርቂ ድማ ብሚዛን፡ ንምስሊ እቲ ሰረገላውን፡ ማለት እቶም ኣኽናፎም ዘርጊሖም ነቲ ታቦት ኪዳን
እግዚኣብሄር ዚኸድኑ ኪሩቤል ነቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ዚኸድኑ ኪሩቤል ወርቂ፡ ሀቦ። 19 ዳዊት
ከኣ፡ እግዚኣብሄር እዚ ዅሉ ብጽሕፈት ካብ ኢዱ ንኣይ ናይ እዚ ምስሊ ስራሕ ኲሉ ኸም ዘስተውዕሎ
ገበረኒ፡ በለ። 20 ዳዊት ድማ ንወዱ ሰሎሞን በሎ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እቲ ኣምላኽይ፡ ምሳኻ እዩ
እሞ፡ ጽናዕን ትባዕን ስራሕን፡ ኣይትፍራህ፡ ኣይትሸበር ከኣ። እቲ ነገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር ዚኸውን
ኲሉ ዕዮ ኽሳዕ ዚውዳእ፡ ንሱ ኣይኪጠልመካን ኣይኪሐድገካን ከካ እዩ። 21 እቶም ንዅሉ ኣገልግሎት
ቤት ኣምላኽ ዚኾኑ ኽፍልታት ካህናትን ሌዋውያንን ድማ እነው። ኣብ ኲሉ ስራሕውን ንዝኾነ ዘበለ
ዓይነት ዕዮ ፍቶትን ጥበብን ዘለዎም ሰባት ምሳኻ ዚኾኑ፡ እቶም ሓላቑን ብዘሎ እቲ ህዝብን ድማ
ንዅሉ ትእዛዝካ ድልዋት እዮም።

## ምዕራፍ 29

1 ንጉስ ዳዊት ድማ ንብዘላ ማሕበር በላ፡ ወደይ ሰሎሞን፡ ኣምላኽ ንእኡ በይኑ ዝሐረዮ፡ ገና ንኡስን
ልምሉምን እዩ፡ እቲ ዕዮ ግና ዓብዩ እዩ፡ እዚ ኣዳራሽ እዝስ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ
ኣይኮነን። 2 ኣነ ኸኣ ብዅሉ ሓይለይ ንቤት ኣምላኸይ ዚኸውን፡ ንናይ ወርቂ ነገር፡ ወርቂ፡ ንናይ ብሩር
ነገር ከኣ ብሩር፡ ንናይ ኣስራዚ ነገር ድማ ኣስራዚ፡ ንናይ ሓጺን ነገር ከኣ ሓጺን፡ ንናይ ዕጨይቲ
ነገርውን ዕጨይቲ፡ ኣዕናቑ እምንን ዚሳናቐር እምንን ጸሊም ዜንጸባርቕ እምንን፡ እተቐርጸ እምንን ኲሉ
ዓይነት ክቡር እምንን እምነ በረድን ኣብዚሔ ኣዳሎኹ። 3 ኣብ ልዕሊ እቲ ነቲ ቅድስቲ ቤት ኢለ
ዘዳሎኽዎ ዅሉ ድማ፡ ናይ ርእሰይ መዝገብ ወርቅን ብሩርን ስለ ዘሎኒ፡ ወሲኸ ንቤት ኣምላኸይ እህብ
ኣሎኹ፡ 4 ሰለስተ ሽሕ ታለንት ወርቂ ኻብ ወርቂ ኦፊር፡ ሾብዓተ ሽሕ ታለንት ከኣ እተኾልዔ ብሩር

ንምልባጥ እቲ መናድቕ ኣባይቲ፡ 5 ወርቂ ንዜድሊ ኻብ ወርቂ፡ ብሩር ንዜድሊ ድማ ካብ ብሩር፡ ኤረ
ብኢድ ብልሓተኛ ንዚግበር ዘበለ ዅሉ ስራሕ ከኣ እህብ ኣሎኹ። ሎሚ ኢዱ ብፍታው መሊኡ
ንእግዚኣብሄር ዚህብ መን ኣሎ 6 ሽዑ እቶም ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታትን ሓላቑ ነገዳት እስራኤልን ሓላቑ
ሽሕን ሓላቑ ሚእትን ምስቶም ሓላቑ እቲ ስራሕ ንጉስን ብፍታው ሀቡ። 7 ንዕዮ ቤት ኣምላኽ ከኣ
ሓሙሽተ ሽሕ ታለንት ወርቅን ዓሰርተ ሽሕ ዳሪክን ዓሰርተ ሽሕ ታለንት ብሩርን ዓሰርተው ሾሞንተ ሽሕ
ተለንት ኣስራዝን ሚእቲ ሽሕ ታለንት ሓጺንን ሀቡ። 8 እቲ ኽቡር ኣእማን እንረኽቦ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ኢድ
የሒኤል እቲ ጌርሾናዊ፡ ናብ መዝገብ ቤት እግዚኣብሄር ኣእተዎ። 9 ንእግዚኣብሄር ብፍጹም ልቢ
ፈትዮም ስለ ዝሀቡዎ፡ እቲ ህዝቢ በቲ ብምፍታው ምሃቦም ተሐጐሰ። ንጉስ ዳዊት ከኣ ዓብዪ ሓጐስ
ተሐጐሰ። 10 ዳዊት ድማ ኣብ ቅድሚ ብዘላ ማሕበር ንእግዚኣብሄር ባረኾ፡ በለ ኸኣ፡ ኣታ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ኣቦና እስራኤል፡ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ብሩኽ ኩን። 11 ጐይታየ፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን
ዘሎ ዘበለ ዅሉ ናትካ እዩ እሞ፡ ዕቤትን ስልጣንን ክብርን ዓወትን ግርማን ናትካ እዩ። ጐይታየ፡ እታ
መንግስትካ ናትካ እያ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ኸኣ ከም ርእሲ ልዕል በልካ። 12 ሃብትን ክብረትን ካባኻ እየን
ዚመጻ፡ ንስኻ ድማ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ትገዝእ፡ ሓይልን ስልጣንን ከኣ ኣብ ኢድካ እዩ። ንዝዀነ ዘበለ
ዓብዪን ጽኑዕን ምግባሩ ድማ ኣብ ኢድካ እዩ። 13 ሕጂ ኸኣ፡ ዎ ኣምላኽና፡ ንሕና ነመስግነካ ንኽቡር
ስምካውን ንውድሶ ኣሎና። 14 ከምቲ ብፍታው ከነቕርብ ዝኸኣልናስ፡ ኩሉ ኻባኻ ደኣ እዩ፡ ካብ
ኢድካውን ኢና ሂብናካ ዘሎና እሞ፡ ኣነ መን እየ እዞም ህዝበይከ እንታይ እዮም 15 ንሕና ኣብ ቅድሜኻ
ኸም ኩሎም ኣቦታትና መጻእተኛታትን ኣጋይሽን ኢና፡ ዕለታትና ኣብ ምድሪ ኸም ጽላሎት እየን፡
ዚነብር ከኣ የልቦን። 16 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ኩሉ እዚ ንቕዱስ ስምካ ቤት ክንሰርሓሉ ኢልና
ኣዳሊናዮ ዘሎና ድልቢ፡ ካብ ኢድካ ዝመጸ እዩ፡ ኩሉ ኸኣ ናትካ እዩ። 17 ኣታ ኣምላኸየ፡ ንስኻ ልቢ
ኸም እትፍትን ቅንዕናውን ከም እትፈቱ እፈልጥ ኣሎኹ። ኣነ ኸኣ እዚ ዅሉ ብቕንዕና ልበይ ብፍታው
ኣቕሪበልካ ኣሎኹ። ሕጂ ድማ እዚ ኣብዚ ዘሎ ህዝብኻ ፈትዩ ኬቕርበልካ ብሓጐስ ርእየ እየ። 18 ዎ
እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣብርሃምን ይስሃቅን እስራኤልን፡ ነዚ ናይ ህዝብኻ እማመ ሓሳባት
ልቦም ንዘለኣለም ሐሉ፡ ልቦም ከኣ ንኣኻ ኣዳሉ። 19 ንወደይ ሰሎሞንውን ትእዛዛትካን ምስክራትካን
ሕጋጋትካን ኪሕሉ፡ ንዅሉ ድማ ኪገብሮ፡ ነዚ ንእኡ ኢለ ዘዳልዎ ዘሎኹ ኣዳራሽውን ኪሰርሕ ፍጹም
ልቢ ሀቦ። 20 ዳዊት ድማ ንብዘሎ ማሕበር፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ባርኽዎ፡ በለ። ሽዑ ብዘሎ
ማሕበር ንእግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ኣቦታቱ ባረኺ፡ ድንን ድማ በሉ፡ ንእግዚኣብሄር ንንጉስን ከኣ ሰገዱ። 21
ነዛ መዓልቲ እዚኣስ ብጽባሒታ ድማ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ሕሩድ ሰውኡ፡ ዚሐርር መስዋእቲ ኸኣ
ንእግዚኣብሄር ኣዕረጉሉ፡ ሽሕ ብዕራይ፡ ሽሕ ድዑል፡ ሽሕ ገንሸል፡ መምስ ናይ መስተ መስዋእትታቶም፡
ብዙሕ መስዋእቲ ሕሩድ ድማ ምእንቲ ዅሉ እስራኤል ሰውኡ። 22 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ብዓብዪ ሓጐስ በልዑን ሰተዩን። ንሰሎሞን ወዲ ዳዊትውን ካልኣይ ጊዜ ኣንገስዎ። ንእኡ
መስፍን ንእግዚኣብሄር ኪኸውን ንጻዶቅውን ካህን ኪኸውን ቀብእዎም። 23 ሽዑ ሰሎሞን ኣብ ክንዲ
ኣቦኡ ዳዊት ንጉስ ኰይኑ፡ ኣብ ዝፋን እግዚኣብሄር ተቐመጠ ሰለጠውን፡ ብዘለው እስራኤል ከኣ
ይእዘዝዎ ነበሩ። 24 ኩሎም ሓላቑን ጀጋኑን ኩሎም ደቂ ንጉስ ዳዊትን ድማ ኣብ ትሕቲ ንጉስ ሰሎሞን
ተገዝኡ። 25 እግዚኣብሄር ከኣ ንሰሎሞን ኣብ ቅድሚ ብዘሎ እስራኤል ክብ ኣቢሉ ኣዝዩ ኣዕበዮ፡
ቅድሚኡ ኣብ እስራኤል ንዝነበረ ዘበለ ንጉስ ዘይነበሮ፡ ግርማ መንግስቲ ንንጉስ ሰሎሞን ሀቦ። 26 ዳዊት
ወዲ እሴይ ግና ኣብ ልዕሊ ብዘሎ እስራኤል ነጊሱ ነበረ። 27 እቲ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ዝገዝኣሉ ዘመን
ከኣ ኣርብዓ ዓመት እዩ፡ ኣብ ሔብሮን ሾብዓተ ዓመት ገዝኤ፡ ኣብ የሩሳሌም ድማ ሰላስን ሰለስተን

ዓመት ገዝኤ። [28] ዕድመን ሃብትን ክብረትን ጸጊቡ ኸኣ ብጽቡቕ ሽምግልና ሞተ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ሰሎሞን ነገሰ። [29] እቲ ናይ ንጉስ ዳዊት ነገራት፡ ቀዳሞትን ዳሕሮትን፡ ንሳቶም ኣብ ዛንታ ሳሙኤል እቲ ረኣዪን ኣብ ዛንታ ነብዩ ናታንን ኣብ ዛንታ እቲ ረኣዪ ጋድን ተጽሒፎም ኣለው። [30] ምስ ብዘሎ ምግዛኡን መንፍዓቱን እቲ ንእኡን ንእስራኤልን ንናይ ኲለን ሃገራት መንግስትታትን ዝበጽሖም ኲነታትን ተጽሒፉ ኣሎ።

# 2ይ መጽሓፍ ዜና መዋዕል

## ምዕራፍ 1

1 ሰሎሞን ወዲ ዳዊት ከኣ ኣብ መንግስቱ ጸንዔ። እግዚኣብሄር ኣምላኹ ድማ ምስኡ ነበረ፡ ኣዝዩ ልዕል
ኣቢሉ ኸኣ ኣዕበዮ። 2 ሰሎሞን ድማ ንብዘሎ እስራኤል፡ ንሓላቑ ሽሕን ሚእትን ንፈረድትን ንዅሎም
መሳፍንቲ እስራኤልን ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት፡ ተዛረቦም። 3 እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ኣብ በረኻ
ዝገበሮ ናይ ኣምላኽ ድንኳን ምርኻብ ኣብኡ ስለ ዝነበረ፡ ሰሎሞን፡ ብዘሎ ማሕበር ከኣ ምስኡ ናብቲ
ኣብ ጊብዖን ዘሎ በሪኽ ከዱ። 4 ግናኸ ዳዊት ኣብ የሩሳሌም ድንኳን ተኺሉሉ ነበረ እሞ፡ ነቲ ታቦት
ኣምላኽ ካብ ቂርያት የረዓም ናብታ ንሱ ዘዳለወትሉ ቦታ ኣደይብዎ ነበረ። 5 እቲ በሳልኤል፡ ወዲ ኡሪ
ወዲ ሁር፡ ዝገበሮ መሰውኢ ኣስራዚ ግና ኣብ ቅድሚ ማሕደር እግዚኣብሄር ነበረ። ሰሎሞንን እታ
ማሕበርን ከኣ ኣብኡ ይጥይቑ ነበሩ። 6 ሰሎሞን ድማ ናብኡ ደዩቡ፡ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ኣብቲ ድንኳን ምርኻብ ዝነበረ መሰውኢ ኣስራዚ ኣብ ልዕሊኡ ሽሕ ዚሐርር መስዋእቲ ሰውኡ። 7
ኣምላኽ ከኣ በታ ለይቲ እቲኣ ንሰሎሞን ተራእዮ፡ እንታይ ከም ዝህበካ ለምን፡ ድማ በሎ። 8 ሰሎሞን ከኣ
ንኣምላኽ በሎ፡ ንስኻ ነቦይ ዳዊት ዓብዪ ምሕረት ገበርካሉ፡ ንኣይ ድማ ኣብ ክንዳኡ ኣንገስካኒ። 9 ዎ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ምብዛሑ ኸም ሓመድ ምድሪ ኣብ ዝኾነ ህዝቢ ንስኻ ኣንጊስካኒ ኢኻ እሞ፡ ነቲ
ነቦይ ዳዊት ዝነገርካዮ ቓል ሕጂ ፈጽሞ። 10 ነዚ ዓብዪ ህዝብኻ እዝስ መን ኪፈርዶ ይኽእል፡ እምበኣርሲ
ኣብ ቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ ኽወጽእን ክአቱን ጥበብን ፍልጠትን ሀበኒ፡ በለ። 11 ኣምላኽ ድማ
ንሰሎሞን፡ እዚ ኣብ ልብኻ ስለ ዝነበረ፡ ነዚ ኣብ ልዕሊኡ ዘንገስኩኻ ህዝበይ ምፍራድ ምእሻቲ
ኽትክእልስ፡ ጥበብን ፍልጠትን ኪውህበካ ስለ ዝለመንካ እምበር፡ ሃብትን መዛግብትን ክብረትን ወይ
ነፍሲ ጸላእትኻ ወይ ነዊሕ ዕድመ ኻብ ዘይለመንካስ፡ 12 ጥበብ ፍልጠትን ተዋሂቡካ ኣሎ። ድማ
ቅድሜኻ ንዝኾነ ዘበለ ንጉስ ከምኡ ዝበለ ዘይነበሮ፡ ብድሕሬኻ ዚትንስእ ዘበለውን ከምኡ ዝበለ
ዘይረኽቦ፡ ሃብትን መዛግብትን ክብረትን ክህበካ እየ፡ በሎ። 13 ሰሎሞን ድማ ካብቲ ኣብ ጊብዖን ዝነበረ
በሪኽ ካብ ቅድሚ እቲ ድንኳን ምርኻብ ናብ የሩሳሌም መጸ። ኣብ ልዕሊ እስራኤል ከኣ ገዝኤ። 14
ሰሎሞን ድማ ሰረገላታትን ፈረሰኛታትን አከበ፡ ሽሕን ኣርባዕተ ሚእትን ሰረገላን ዓሰርተው ክልተ ሽሕ
ፈረሰኛታትን ነበርዎ። ኣብ ከተማታት ሰረገላን ኣብ የሩሳሌምን ምስ ንጉስ ኣቐመጦም። 15 እቲ ንጉስ ድማ
ኣብ የሩሳሌም ወርቅን ብሩርን ከም እምኒ ገበሮ፡ ንቄድሮስውን ኣብ ቈላ ኸም ዘሎ ሳግላ ዝምብዛሑ
ገበሮ። 16 እቶም ንሰሎሞን ዝነበርዎ ኣፍራስ ከኣ ካብ ግብጺ እዮም ዜምጽእዎ ዝነበሩ፡ ናይ ንጉስ ነጋዶ
ብጕዕዞታት፡ ነንጕዕዞ ብዋጋኡ፡ ተቐበልዎም። 17 ሰሰረገላ ብሹድሽተ ሚእቲ ሲቓል ብሩር፡ ፈፈረስ ከኣ
ብሚእትን ሓምሳን ዐዲጎም፡ ካብ ግብጺ ኣምጽኡ፡ ከምኡ ድማ ብኢዶም ንዅሎም ነገስታት
ሔታውያንን ንነገስታት ሶርያን የውጽኡሎም ነበሩ።

## ምዕራፍ 2

1 ሰሎሞን ድማ ንስም እግዚኣብሄር ቤት፡ ንመንግስቱ ኸኣ ቤት ኪሰርሕ ሐሰበ። 2 ሰሎሞን ድማ ሰብዓ
ሽሕ ጾር ዚጾሩ ሰብ፡ ሰማንያ ሽሕ ሰብውን ኣብ ከረን ኲይኖም ዚወቕሩ፡ ነዚኣቶም ዚሕልዉ ኸኣ

ሰለስተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ቈጸረ። [3] ሰሎሞን ድማ ናብ ሑራም ንጉስ ጢሮስ፡ ልኢኹ በሎ። ከምቲ
ነቦይ ዳዊት፡ ንሱ ዚነብረላ ቤት ኪሰርሕስ፡ ኣእዋም ቄድሮስ ብምስዳድካ ዝገበርካሉ፡ ንኣይ ከኣ ከምኡ
ግበረለይ። [4] እንሆ፡ ኣነ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ዝቕድሰሉ ቤት ክሰርሕ እየ፡ ኣብኣ ኣብ ቅድሚእቶም
ጥዑም ዝጨናኣ ዕጣን ኪዐጥኑ፡ እንጌራ ምርኣይውን ኵሉ ጊዜ ኺሰርዑ፡ ንግሆን ምሸትን በብሰናብትን
ሰርቂ ወርሕን ብበዓላት እግዚኣብሄር ኣምላኽናን ከኣ ዚሐርር ምስዋእቲ ኺዕርጉ። እዚ ንእስራኤል
ንሓዋሩ ተሓጊጉሎም እዩ። [5] ኣምላኽና ድማ ካብ ኵሎም ኣማልኽቲ ዚዐቢ እዩ እሞ፡ እታ ኣነ ኽሰርሓ
ኢለ ዘለኹ ቤት ዓባይ ክትከውን እያ። [6] ንእኡ ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን እኳ ኣይኣኽሎን እዩ እሞ፡
ቤት ኪሰርሓሉ ዚኽእል መን ኣሎ፡ ኣነኸ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዕጣን ምእንቲ ኽዕጥነላ እንተ ዘይኰይኑስ፡
ቤት ዝሰርሐሉ መን እየ፡ [7] ሕጂ ድማ ብወርቅን ብብሩርን በስራዝን ብሓጺንን ብሕብሪ ደምን ጽሩይ
ቀይሕን ሰማያውን ኪዐዩ ጥበብ ዘለዎ ምስቶም ኣቦይ ዳዊት ዘዳለዎም ኣብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌምን
ምሳይ ዘለዉ ብልሓተኛታት ሰባት ኰይኑ፡ ኵሉ ዓይነት ቅርጺ ምቕራጽ ዚፈልጥ ሰብ ስደደለይ። [8]
ገላዉኻ ምቍራጽ ኣእዋም ሊባኖስ ከም ዜስተውዕሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፡ ካብ ሊባኖስውን ኣእዋም
ቄድሮስን ጽሕድን ሰንደልን ስደደለይ። እንሆ ድማ ገላዎይ ምስ ገላዉኻ ኪኸዱ እዮም። [9] እታ ኣነ
ዝሰርሓ ቤት ከኣ ዓባይን ግርምትን ክትከውን እያ እሞ፡ ብዙሕ ኣእዋም የዳልዉለይ። [10] እንሆ ኸኣ፡
ንገላዉኻ፡ እቶም ኣእዋም ዚቘርጹ፡ ዕስራ ሽሕ ቆሮስ ክዩድ ስርናይን ዕስራ ሽሕ ቆሮስ ስገምን ዕስራ ሽሕ
ባት ወይንን ዕስራ ሽሕ ባት ዘይትን እህብ። [11] ሑራም ንጉስ ጢሮስ ድማ ደብዳበ ጽሒፉ፡ ንሰሎሞን
ከምዚ ኢሉ ምላሽ ሰደደሉ፡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ስለ ዝፈተዎ፡ ንኣኻ ኣብ ልዕሊኦም ንጉስ ገበረካ። [12]
ሑራም ድማ ቀጺሉ በለ፡ ንእግዚኣብሄር እትኸውን ቤትን ንርእሱ እትኸውን ቤተ መንግስትን ዚሰርሕ፡
ኣእምሮን ምስትውዓልን ዘለዎ ብልሂ ወዲ ንንጉስ ዳዊት ዝሀቦ፡ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ። [13] ሕጂ ድማ ሑራም  ኣቢ ዚበሀል ብልህን ኣስተውዓልን ሰብኣይ እሰደልካ
ኣሎኹ፡ [14] ንሱ ወዲ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ካብ ኣዋልድ ዳን፡ እዩ፡ ኣቦኡ ኸኣ ጢሮሳዊ ሰብኣይ ነበረ። ብዕዮ
ወርቅን ብሩርን ኣስራዝን ሓጺንን እምንን ዕንጨይትን ሕብሪ ደምን ሰማያዊ ልሕጺ ድማ ምቕራጽ
ዚፈልጥ፡ ኵሉ ዓይነት ብልሓት ስራሕውን ኪሐስብ ዚኽእል እዩ። ንእኡ ምስ ብልሀታትካን ምስ ናይ
ኣቦኻ ጐይታይ ዳዊት ብልሀታትን ሕብረት ይወሀቦ። [15] እምበኣርሲ ሕጂ፡ እቲ ጐይታይ ብዛዕባኡ
እተዛረቦ ስርናይን ስገምን ዘይትን ወይንን ንባሮቱ ይስደደሎም። [16] ንሕና ኸኣ ኣብ ሊባኖስ ከም
ዜድልየካ ኣእዋም ክንቈርጽ ኢና፡ ብባሕሪ እናሰፈፍናውን ናብ ያፎ ነብጽሓልካ፡ ንስኻ ድማ ናብ
የሩሳሌም ተደይቦ። [17] ሰሎሞን ድማ ኣብ ምድሪ እስራኤል ዝነበሩ ኹሎም ጓኖት ሰብኡት ቈጸሮም፡ እዚ
ድሕሪ እቲ ኣቦኡ ዳዊት ዝቐጸሮም ምቝጻር ኰነ። ሚእትን ሓምሳን ሰለስተን ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን
ድማ ተረኽቡ። [18] ካባታቶም ከኣ ሰብዓ ሽሕ ዚጾሩ፡ ሰማንያ ሽሕ ድማ ኣብ ከረን ኰይኖም ዚወቕሩ፡
ሰለስተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ነቲ ህዝቢ ዜዕይይዎ ሓለውቲ ኸኣ ገበረ።

## ምዕራፍ 3

[1] ሰሎሞን ድማ ኣብ የሩሳሌም፡ ኣብ ከረን ሞሪያ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ነቦኡ ዳዊት እተራእየሉ፡ ዳዊት
ከኣ ኣዳልዩ ዝመደባ ቦታ፡ ኣብ ዓውዲ ኦርናን እቲ ይቡሳዊ ቤት እግዚኣብሄር ኪሰርሕ ጀመረ። [2] ኣብታ
ራብዐይቲ ዓመት ግዝኣቱ፡ ኣብ ካልኣይቲ ወርሒ፡ ካብታ ወርሒ ድማ ብኻልኣይቲ መዓልቲ ኺሰርሕ
ጀመረ። [3] ሰሎሞን ንምስራሕ እታ ቤት ኣምላኽ ዝሰረቶ መሰረት ከኣ እዚ እዩ፡ ምንዋሑ በቲ ናይ ቀደም

መለክዒ ስሳ እመት፡ ምግፋሑ ድማ ዕስራ እመት። 4 እቲ ኣብ ቅድሚ እታ ቤት ዝነበረ ገበላ ኸኣ፡
ምንዋሑ ከም መጠን ምግፋሕ እታ ቤት፡ ዕስራ እመት፡ ቍመቱ ድማ ሚእትን ዕስራን እመት ነበረ። ነቲ
ውሽጡ ኸኣ መጠን ምግፋሕ እታ ቤት፡ ዕስራ እመት፡ ቍመቱ ድማ ማእትን ዕስራን እመት ነበረ። ነቲ
ውሽጡ ኸኣ ብጽሩይ ወርቂ ለበጦ። 5 ነታ ዓባይ ቤት ድማ ብሉሕ ጽሕዲ ኸደና፡ንእኡውን ብጽሩይ
ወርቂ ለበጦ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ስየታትን ሰንሰለታትን ገበረ። 6 ነታ ቤት ኪስልማ ድማ ክቡር ኣእማን
ገበረላ። እቲ ወርቂ ኸኣ ወርቂ ጳርዋይም እዩ ዝነበረ። 7 ነታ ቤትን ነቲ ኣግማልን ንልዳውትን
ንመንደቓታን መዓጹኣን ብወርቂ ለበጦ፡ ኣብቲ መንደቓት ድማ ኪሩቤል ቀረጸሉ። 8 ናይ ቅድስተ ቅዱሳን
ቤት ከኣ ገበረ፡ ምንዋሓ፡ ከም ምግፋሕ እታ ቤት፡ ዕስራ እመት፡ ምግፋሓ ድማ ዕስራ እመት ነበረ፡
ብሽዱሽተ ሚእቲ ታለንት ዚአክል ጽሩይ ወርቂ ኸኣ ለበጣ። 9 ሚዛን ሽንካራትውን ሓምሳ ሲቃል ወርቂ
ነበረ። ነተን ኣብ ላዕሊ ዘለዋ ኽፍልታት ድማ ብወርቂ ለበጠን። 10 ኣብታ ናይ ቅድስተ ቅዱሳን ቤት ከኣ
ክልተ ናይ ወቐርቲ ስራሕ ብዝኾኑ ኪሩቤል ገበረ፡ ብወርቂ ድማ ለበጥዎም። 11 ምንዋሕ ኣኽናፍ እቶም
ኪሩቤል ከኣ ዕስራ እመት ነበረ። እታ ሓንቲ ኽንፊ ናይቲ ሓደ ሓሙሽተ እመት ነበረት። ንመንደቕ እታ
ቤት ትትንኪ ነበረት፡ እታ ኻልአይቲ ኽንፊውን ሓሙሽተ እመት ነበረት። 12 ክንፊ እቲ ኻልኣይ ኪሩብ
ድማ ሓሙሽተ እመት ነበረት፡ ንመንደቕ እታ ቤት ትትንኪ ነበረት፡ እታ ኻልአይቲ ኽንፊ ኸኣ ሓሙሽተ
እመት ነበረት እሞ፡ ንኽንፊ እቲ ኻልኣይ ኪሩብ ተርከብ ነበረት። 13 ኣኽናፍ እዞም ኪሩቤል እዚኣቶም
ዕስራ እመት ተዘርጊሔን ነበራ። በእጋሮም ከኣ ደው ኢሎም፡ ገጻቶም ናብ ቤት ኣቢሉ ነበረ። 14 ድማ
ካብ ሰማያውን ሕብሪ ደምን ጽሩይ ቀይሕን ልሕጺ እንጣጢዕን መጋረጃ ገበረ፡ ኪሩቤል ከኣ ገበረሉ። 15
ኣብ ቅድሚ እታ ቤት ድማ፡ ሰሰላሳን ሓሙሽተን እመት ዝቍመቱ፡ ክልተ ዓንዲ ገበረ፡ እቲ ኣብ
ረርእሶም ዝነበረ ጒልላት ከኣ ሓሙሽተ እመት ነበረ። 16 ኣብታ ቤት ራእይ ድማ ሰንሰለታት ገይሩ፡ ኣብ
ርእሲ እቲ ኣዕኑድ ገበረን። ሚእቲ ሮማን ገይሩ ኸኣ ኣብተን ሰንሰለታት ኣእተወን። 17 ነቶም ኣዕኑድ ድማ
ኣብ ቅድሚ እቲ መቕደስ፡ ሓደ ብየማን ሓደ ኸኣ ብጸጋም ኣቘምዎ፡ ስም እቲ የማናይ ያቂን፡ ስም እቲ
ጸጋማይውን ቦዓዝ ኢሉ ኣውጽኣሎም።

## ምዕራፍ 4

1 መሰውኢ ኸኣ ካብ ኣስራዚ ገበረ፡ ምንዋሑ ዕስራ እመት፡ ምግፋሑ ድማ ዕስራ እመት፡ ምብራኹውን
ዓሰርተ እመት። 2 ናይ ፍሲ ባሕሪ ድማ ካብ ወሰን ክሳዕ ወሰን ዓሰርተ እመት ዝምግፋሑ ብዙርያኡ
ኸቢብ ገይሩ ሰርሔ፡ ቍመቱውን ሓሙሽተ እመት ነበረ። ብዘሎ እቲ ዙርያኡ ድማ ስፍራ ብሰላሳ
እመት ዝምንዋሑ ገመድ ነበረ። 3 ብታሕቲ ኸኣ ብዘሎ ዙርያኡ፡ ነቲ ባሕሪ ብዘሎ ዙርያኡ ዝኸበብዎ
ምስሊ ኣብዐር ነበርዎ፡ በብእመት ዓሰርተ። እቶም ኣብዐር ኣብ ክልተ መስርዕ ኰይኖም፡ ምስቲ ባሕሪ
ብሓንሳእ ዝፈሰሱ እዮም። 4 ኣብ ልዕሊ ዓሰርተው ክልተ ብዕራይ ተነብረ፡ ሰለስተ ንሰሜን ገጾም፡ ሰለስተ
ኸኣ ንምዕራብ ገጾም፡ ሰለስተውን ንደቡብ ገጾም፡ እቶም ሰለስተ ኸኣ ንምብራቕ ገጾም ነበሩ። እቲ ናይ
ኲሎም ድሕሪት ከኣ ናብ ውሽጢ ኣቢሉ ነበረ። 5 ምርጓዱ ድማ ስድሪ ነበረ፡ ወሰነ ኸኣ ከም ስራሕ ወሰን
ጽዋእ፡ ከም ዝዐምበበ ሹሻን ነበረ። ሰለስተ ሽሕ ባት ኣእትዩ ይሕዝ ነበረ። 6 ብእኡ ምእንቲ ኪሐጽቡ
ድማ፡ ዓሰርተ ገበራ ሰርሔ፡ ሓሙሽተ ኣብ የማን፡ ሓሙሽተ ኸኣ ኣብ ጸጋም ኣንበረ። ነቲ ንዚሐርር
መስዋእቲ ዚኸውን ነገር ኣብኡ ይሐጽቡ ነበሩ። እቲ ባሕሪ ግና እቶም ካህናት ዚሕጸቡሉ ዝነበረ እዩ። 7
ድማ ካብ ወርቂ ነቲ ዓሰርተ ቐዋሚ ቐንዴል ከምቲ ብዛዕባኡ እተአዘዘ ገበረ፡ ኣብቲ መቕደስ ከኣ

ሓሙሽተ ብየማን፡ ሓሙሽተ ብጸጋም ገይሩ ኣንበሮም። 8 ዓሰርተ ሰደቓ ድማ ገበረ፡ ኣብቲ መቕደስ ከኣ
ሓሙሽተ ብየማን፡ ሓሙሽተ ብጸጋም ገይሩ ኣቐሞ። ማእቲ ጭሕሎ ወርቂውን ገበረ። 9 ድማ ነቲ ኣጸድ
ካህናትን ነቲ ገፊሕ ኣጸድን ነቲ ኣጸድ ከኣ መዓጹን ገበረ፡ ነቲ መዓጹኦምውን በስራዚ ለበጦ። 10 ነቲ
ባሕሪ ድማ ንምብራቕ ደቡብ ብዜብል የማናይ ወገን እቲ ቤት ኣንበሮ። 11 ሑራም ከኣ ድስትታትን
መጽሓሪታትን ጭሕሎታትን ገበረ። ሑራም ድማ ነቲ ንንጉስ ሰሎሞን ንቤት ኣምላኽ ዝሰርሓሉ ዕዮ
ፈጸሞ። 12 ነቲ ኽልተ ዓንድን ነቲ ጐልላትን ነቲ ኣብ ርእሲ ኣዕኑድ ዝነበረ ኽልተ ኽበብትን ነቲ ኣብ
ርእሲ ኣዕኑድ ዝነበረ ናይ ከበብቲ ጐልላት ዚኸድን ክልተ ዓይነ ርግብን 13 ናይ ክልተ ዓይነ ርግቢ
ኣርባዕተ ሚእቲ ሮማን ከኣ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣዕኑድ ዝነበረ ኸበብቲ፡ ነቲ ጐልላቱ ዚኸድን ነንሓደ ዓይነ
ርግቢ ክልተ መስርዕ ሮማን፡ 14 ነቲ መቐመጥታት ከኣ ገበረ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ መቐመጥታውን ነቲ
ገበራታት ገበሮ። 15 ነቲ ሓደ ባሕርን ነቶም ኣብ ትሕቲኡ ዘለዉ ዓሰርተው ክልተ ብዕራይን፡ 16 ነቲ
ድስትታትን መጽሓሪታትን ሸኻታትን ንዅሉ ኣቓሑኡን ድማ ሑራም ኣቢ ንንጉስ ሰሎሞን ንቤት
እግዚኣብሄር ካብ ዜንጸባርቕ ኣስራዚ ገበሮ። 17 እቲ ንጉስ ኣብ ጐልጐል ዮርዳኖስ፡ ኣብ መንጎ ሱኮትን
ጻሬዳን፡ ኣብ መሬት ጥዑም ኣፍሰሶ። 18 ሚዛን እቲ ኣስራዚ ኺምርመር ክሳዕ ዘይከኣል፡ ሰሎሞን ንዅሉ
እዚ ኣቓሑ እዚ ኣዝዩ ኣብዝሖ። 19 ሰሎሞን ከኣ ኣብ ቤት ኣምላኽ ዝነበረ ዅሉ ኣቓሑ፡ ነቲ ናይ ወርቂ
መሰውእን ነቲ እንጌራ ምርኣይ ኣብ ልዕሊኡ ዚነበሮ ሰደቓታትን ገበሮ። 20 ከም ስርዓቱ፡ ኣብ ቅድሚ
ቤት ራእይ ኪበርሃስ፡ ነተን ካብ ጽሩይ ወርቂ እተገብራ ቐወምቲ ቐነዲል መምስ ቀንዴለን። 21 ናይ
ወርቂ፡ ንሱ ኸኣ ፍጹም ወርቂ፡ ዕምባባታትን ቀልዒ ቐነዲልን መሳቐዪታትን፡ 22 ናይ ጽሩይ ወርቂ
ኻራታትን ጭሕሎታትን ማንካታትን ጽንሃታትን ድማ ገበረ። ብዛዕባ ደገ እቲ ቤት ከኣ፡ ናይቲ
ውሽጣዊኡ ናይ ቅድስተ ቅዱሳን መዓጹን ናይ ቤተ መቕደስ መዓጹን ካብ ወርቂ ነበረ።

# ምዕራፍ 5

1 በዚ ኸምዚ እቲ ሰሎሞን ንቤት እግዚኣብሄር ዝዐየዮ ዅሉ ዕዮ ተወድኤ። ሰሎሞን ድማ እቲ ኣቦኡ
ዳዊት ንእግዚኣብሄር ዝቐደሶ፡ ነቲ ብሩርን ወርቅን ንዅሉ ኣቓሑን ኣምጺኡ ኣብ መዛግብቲ ቤት
ኣምላኽ ኣንበሮ። 2 ሽዑ ሰሎሞን ንዓበይቲ እስራኤልን ንዅሎም ሓላቑ ነገዳት፡ እቶም ሹማምንቲ ማይ
ቤት ኣቦታት ደቂ እስራኤልን፡ ንታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ካብ ከተማ ዳዊት፡ ማለት ጽዮን፡ ከደይብዎ፡
ናብ የሩሳሌም ኣከቦም። 3 ኵሎም ሰብ እስራኤል ድማ በቲ ኣብ ሳብዐይቲ ወርሒ ዝነበረ በዓል ናብ
ንጉስ ተኣከቡ። 4 ኵሎም ዓበይቲ እስራኤል ምስ መጹ ኸኣ፡ እቶም ሌዋውያን ነቲ ታቦታ ኣልዓልዎ። 5
ነቲ ታቦትን ነቲ ድንኳን ምርኻብን ነቲ ኣብ ድንኳን ዝነበረ ዅሉ ንዋየ ቅዱሳትን ድማ ኣደየብዎ፡ ነዚ
እቶም ካህናት ሌዋውያን ኣደየብዎ። 6 ንጉስ ሰሎሞን ብዘሎ እቲ ናብኡ ተኣኪቡ ዝነበረ ኣኼባ እስራኤል
ኣብ ቅድሚ ታቦት ኰይኖም፡ ካብ ምብዛሔን እተላዕለ ዘይጽብጸባን ዘይቍጸራን ኣባጊዕን ኣሓን ሰውኡ።
7 እቶም ካህናት ከኣ ነቲ ታቦት ኪዳን እግዚኣብሄር ናብቲ ስፍራኡ፡ ናብታ ቤት ራእይ፡ ናብቲ ቅድስተ
ቅዱሳን፡ ናብ ትሕቲ ኣኽናፍ ኪሩቤል ኣእተውዎ። 8 እቶም ኪሩቤልሲ ኣኽናፎም ኣብ ልዕሊ ሰፈር እቲ
ታቦት ዘርጊሖም ነበሩ እሞ፡ ኪሩቤል ንታቦትን ንመሰላታቱን ካብ ላዕሊ ኸደንዎ። 9 ጫፍ እቲ መሰላታት
ከኣ ኣብ ቅድሚ ቤት ራእይ ካብቲ ታቦት ክሳዕ ዚርኤ፡ እቲ መሰላታት ነዋሕቲ ነበረ፡ ብወጻኢ ግና
ኣይርኤን ነበረ። ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ድማ ኣብኡ ኣሎ። 10 ኣብቲ ታቦት ብዘይ እተን ሙሴ ኣብ
ሆሬብ ናብኡ ዘእተወን ክልተ ጽላት ገለ ኻልእ ኣይነበረን፡ እዚ በቲ እግዚኣብሄር ምስ ደቂ እስራኤል፡

ንሳቶም ካብ ግብጺ ምስ ወጹ፡ ኪዳን ዝኣተወሉ ጊዜ ኾነ። [11] ኰነ ድማ፡ እቶም ካህናት ካብ መቕደስ
ምስ ወጹ፡ ብዘለዉ እቶም ኣብኡ ዝነበሩ ኻህናትሲ ነነየናይ ክፍሊ ምዃኖም ከይጥምቱ ባዕሎም
ተቐዲሶም ነበሩ እሞ፡ [12] እቶም ሌዋውያን ከኣ፡ ካባታቶም መዘምራን ዝነበሩ ኹሎም፡ኣሳፍ፡ ሄማን፡
የዱቱን፡ ደቆምን ኣሕዋቶምን ከኣ፡ ክዳን ጽሩይ ልሕጺ እንጣጢዕ ለቢሶም፡ ጸናጽልን መሰንቆን በገናን
ሒዞም፡ ነቲ መሰውኢ ብወገን ምብራቑ ደው በሉ፡ ምሳታቶም ድማ መለኸት ዚነፍሑ ሚእትን ዕስራን
ካህናት። [13] ኰነ ኸኣ፡ እቶም ነፋሕቲ መለኸትን መዘምራንን ንእግዚኣብሄር ብሓንሳእ ኬመስግኑን
ኪውድሱን ድምጾም ከም ናይ ሓደ ምስ ኣስምዑ፡ ብመለኸትን ብጸናጽልን ብኻልእ ዓይነት መሳርያ
ሙዚክን ንእግዚኣብሄር ኬመስግኑ ኢሎም፡ ንሱ ሰናይ እዩ እሞ፡ ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር፡ እናበሉ
ድምጾም ምስ ኣልዐሉ፡ ሽዑ ነቲ ቤት፡ እወ ነቲ ቤት እግዘኣብሄር ደበና መልአ። [14] ክብሪ እግዚኣብሄር
ነቲ ቤት ኣምላኽ መሊእዎ ስለ ዝነበረ፡ እቶም ካህናት ብምኽንያት እቲ ደበና ደው ኢሎም ኬገልግሉ
ኣይከኣሉን።

# ምዕራፍ 6

[1] ሽዑ ሰሎሞን፡ እግዚኣብሄር ኣብ ጣቓ ከም ዚነብር፡ ኢሉ ኣሎ፡ በለ። [2] ኣነ ግና፡ ንስኻ እትቕመጦ
ቤትን ንዘልኣለም እትነብረሉ ስፍራን ሰሪሔልካ ኣሎኹ፡ በለ። [3] እቲ ንጉስ ድማ ገጹ መሊሱ ንብዘሎ
ማሕበር እስራኤል መረቖ፡ እቲ ማሕበር እስራኤል ከኣ ብዘሎ ደው ኢሉ ነበረ። [4-6] በለ ድማ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ። ንሱ፡ እቲ ኻብቲ ንህዝበይ ካብ ግብጺ ዘውጽእኩላ መዓልቲ
ጀሚረ፡ ካብ ኩሎም ነገዳት እስራኤል ስመይ ዚነብረሉ ቤት እትስረሓሉ ኸተማ ኣይሐሬኹን፡ ኣብ
ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል መስፍን ዚኸውን ሰብኣይውን ኣይሐሬኹን፡ ንየሩሳሌም ግና፡ ስመይ ኣብኣ
ኺነብር፡ ሐርየያ ኣሎኹ፡ ንዳዊት ድማ ኣብ ልዕሊ ህዝበይ እስራኤል ኪኸውን፡ ሐርየዮ ኣሎኹ፡ ኢሉ
ብኣፉ ነቦይ ዳዊት ተዛረቦ፡ ብኢዱ ኸኣ ፈጸሞ። [7] ኣቦይ ዳዊት ከኣ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል
ቤት ኪሰርሓሉ ብልቡ ሓሲቡ ነበረ። [8] እግዚኣብሄር ግና ነቦይ ዳዊት በሎ፡ ንስመይ ቤት ክትሰርሕ ኣብ
ልብኻ ነበረ እሞ ሐሲብካ እኼኻ፡ እዚ ብልብኻ ሰል ዝሐሰብካዮ፡ ጽቡቕ ጌርካ። [9] ግናኸ እቲ ኻብ ሕቖኻ
ዚወጽእ ወድኻ ደኣ ንሱ ንስመይ ቤት ይሰርሕ እምበር፡ ንስኻስ ነቲ ቤት ኣይክትሰርሖን ኢኻ። [10]
እግዚኣብሄር ድማ ነቲ እተዛረቦ ዘረባኡ ኣቚሞ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ኸኣ፡ ኣብ ክንዲ ኣቦይ
ዳዊት ተንሲኤ፡ ኣብ ዝፋን እስራኤል ተቐመጥኩ፡ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከኣ ቤት ሰሪሔ
ኣሎኹ። [11] ነታ እግዚኣብሄር ምስ ደቂ እስራኤል ዝኣተዎ ቓል ኪዳን ዘለዋ ታቦት ኣብኡ ኣንቢረያ
ኣሎኹ። [12] ድማ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ እግዚኣብሄር ቈይሙ፡ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ማሕበር እስራኤል
ኣእዳዉ ዘርግሔ። [13] ሰሎሞንሲ ሓሙሽተ እመት ዝምንዋሑ፡ ሓሙሽተ እመት ከኣ ዝምግፋሑ፡ ሰለስተ
እመትውን ዝምብራኹ ናይ ኣስራዚ መበረኽ ተዛራቢ ሰሪሑ ነበረ፡ ኣብ ማእከል እቲ ኣጸድ ከኣ ገበሮ።
ኣብ ልዕሊኡ ድማ ደው በለ፡ ኣብ ቅድሚ ብዘሎ እቲ ማሕበር እስራኤል ከኣ ብብርኩ ተደቢሩ ኣእዳዉ
ናብ ሰማይ ዘርግሔ። [14] በለ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ነቶም ኣብ ቅድሜኻ ብምሉእ
ልቦም እተመላለሱ ባሮትካ ኪዳንን ምሕረትን እትሕሉ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰማይ ኰነ ኣብ ምድሪ ኸማኻ
ዝበለ የልቦን። [15] እቲ ንባርያኻ። ነቦይ ዳዊት፡ እተዛረብካዮ ዝሐሎኻ፡ እወ ብኣፍካ ተዛረብካ፡ ከምዚ
ሎሚ መዓልቲ ኾይንዎ ዘሎ ኸኣ፡ ብኢድካ ፈጸምካዮ። [16] ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል፡ ንባርያኻ ነቦይ ዳዊት፡ ከምቲ ንስኻ ኣብ ቅድመይ እተመላለስካ፡ ደቅኻ ኸኣ ብሕገይ ንምኻድ

መገዶም ጥራይ እንተ ደኣ ሓልዮምሲ፡ ኣብ ቅድመይ ኣብ ዝፋን እስራኤል ዚቕመጥ ሰብ ኣይኪስኣነካን እዩ፡ ኢልካ እተዛረብካዮ ሓሉ። 17 ሕጂ ድማ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ እቲ ንባርያኻ ዳዊት እተዛረብካዮ ዘረባኻ እሙን ይኹን። 18 ግናኸ ብሓቂዶ ኣምላኽሲ ምስ ሰብ ኣብ ምድሪ ይነብር እዩ እንሆ፡ ሰማያትን ሰማየ ሰማያትን ኪሕዙኻ ኣይኽእሉን፡ እዛ ኣነ ዝሰራሕክዋ ቤት ደኣ ግዳ ኸመይ ገይራ 19 ግናኸ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፡ ነዚ ጽውዓን ነዚ ባርያኻ ኣብ ቅድሜኻ ዚጽልዮ ዘሎ ጸሎትን ንምስማዕ፡ ገጽካ ናብ ጸሎት ባርያኻን ናብ ምህለላኡን ምለስ። 20 ኣዒንትኻ መዓልትን ለይትን ናብዛ ቤት እዚኣ፡ ናብዛ ንስምካስ ኣብኣ ኸንብሮ እየ ዝበልካያ ቦታ ይከፈታ እሞ፡ ነቲ ባርያኻ ናብዛ ቦታ እዚኣ ኣቢሉ ዚጽልዮ ጸሎት ስማዕ። 21 ነቲ ባርያኻን ህዝብኻ እስራኤልን ናብዛ ቦታ እዚኣ ኣቢሎም ዚምህለልዎ ጸሎት ስምዓዮ፡ እወ ንስኻ ኣብታ እትነብረላ ዘሎኻ ቦታ ኣብ ሰማይ ኴንካ ስምዓዮ፡ ብዝሰማዕካውን ይቕረ በል። 22 ሰብ ንብጻዩ እንተ በደሎ እሞ፡ ማሕላ ምሐል፡ እንተ በልዎ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ቅድሚ መሰውኢኻ ኣብዛ ቤት ኪምሕል እንተ መጸ፡ 23 ሽዑ ንስኻ ኻብ ሰማይ ስምዓ፡ ግበር ከኣ፡ ነቲ በዳሊኡ፡ መገዱ ናብ ርእሱ ኸትምለሶ፡ ቅጽዓዮ፡ ነቲ ጻድቕ ከኣ ከም ጽድቁ ኣጽዲቕካ ንባሮትካ ፍረደሎም። 24 ህዝብኻ እስራኤል፡ ንኣኻ ስለ ዝበደሉ፡ ኣብ ቅድሚ ጸላኢ እንተ ተሳዕሩ፡ ተመሊሶም ድማ ኣብዛ ቤት እዚኣ ብስምካ እንተ ተኣመኑን፡ ኣብ ቅድሜኻውን እንተ ጸለዩን እንተ ተማህለሉን፡ 25 ሽዑ ንስኻ ኻብ ሰማይ ስማዕ፡ ሓጢኣት ህዝብኻ እስራኤል ከኣ ይቕረ በል፡ ናብዛ ንኣታቶምን ነቦታቶምን ዝሀብካዮም ምድሪ ድማ ምለሶም። 26 ንኣኻ ስለ ዝበደሉ፡ ሰማይ እንተ ተዐጽወ እሞ እንተ ዘይዘነመ፡ ንስኻ ምስ ኣዋረድካዮም፡ ናብዛ ቦታ እዚኣ ኣቢሎም እንተ ጸለዩ፡ ብስምካውን እንተ ተኣመነ፡ ካብ ሓጢኣቶም ድማ እንተ ተመልሱ፡ 27 ሽዑ ንስኻ ኣብ ሰማይ ኴንካ ስማዕ፡ እታ ዚኸድዋ ጽብቕቲ መገዲ ምስ እትምህሮም ከኣ፡ ሓጢኣት ባሮትካን ህዝብኻ እስራኤልን ይቕረ በል፡ ነቲ ንህዝብኻ ንርስቲ ዝሀብካዮም ምድርኻ ድማ ዝናም ሀባ። 28 ጥሜት ኣብ ሃገር እንተ ኾነ፡ ፌራ እንተ ኾነ፡ ዋግ ወይ ሃጉ፡ ኣንበጣ ወይ ባርኖስ እንተ መጸ፡ ጸላኢኦም ኣብ ሃገር ከተማታቶም እንተ ኸበቦም፡ ወይ ዝኾነ መዓት ወይ ዝኾነ ሕማም እንተ መጸ፡ 29 ዝኾነ ሰብ ወይ ኲሉ ህዝብኻ እስራኤል፡ ነፍሲ ወከፍ ቍስሉን ቃንዛኡን እተፈለጦ፡ ዚጽልዮ ኹሉ ጸሎትን ኲሉ ምህልላን ኣእዳው ድማ ናብዛ ቤት እዚኣ ኣቢሉ ምስ ዘርግሔ፡ 30-31 ሽዑ ንስኻ ኻብ ሰማይ፡ ካብታ እትነብረላ ስፍራ ስማዕ፡ ይቕረ ኸኣ በል፡ ንልቢ ደቂ ሰብ እትፈልጦ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እሞ፡ ኣብዛ ነቦታትና ዝሀብካዮም ምድሪ ዚነብሩለን ኲለን መዓልትታት ምእንቲ ኺፈርሁኻ እሞ ብመገድታትካ ኪኸዱስ፡ ንነፍሲ ወከፍ ልቡ እትፈልጥ፡ ከከም መገዱ ሀቦ። 32 ካብ ህዝብኻ እስራኤል ዘይኮነ ጓና ድማ ምእንቲ እዚ ዓብዪ ስምካን እዛ ጽንዕቲ ኢድካን ዝርግሕቲ ቕልጽምካን ኢሉ፡ ካብ ርሑቕ ሃገር እንተ መጸ፡ መጺኡ ኸኣ ናብዛ ቤት እዚኣ ኣቢሉ እንተ ጸለየ፡ 33 ሽዑ ንስኻ ኻብ ሰማይ፡ ካብታ እትነብረላ ስፍራኻ፡ ስማዕ፡ ነቲ ጓና ኸኣ ከምቲ ኹሉ ዚጽውዓካ ግበረሉ፡ ብዘለዉ ህዝብታት ምድሪ ንስምካ ምእንቲ ኺፈልጡ እሞ ከም ህዝብኻ እስራኤል ገይሮም ኪፈርሁኻ፡ እዛ ዝሰራሕክዋ ቤትውን ብስምካ ኸም እተሰምየት ኪፈልጡ። 34 ህዝብኻ በታ ዝለኣኽካዮም መገዲ ንጸላእቶም ኪዋግኡ ምስ ዚወጹ፡ ናብዛ ዝሐሬኻያ ኸተማን ናብዛ ንስምካ ዝሰራሕክዋ ቤትን ኣቢሎም፡ ንኣኻ እንተ ለመኑ፡ 35 ሽዑ ኻብ ሰማይ ጸሎቶምን ምህልላኦምን ሰሚዕካ ፍትሒ ኣውጽኣሎም። 36 እንተ በደሉኻ፡ ሰብሲ ዘይብድል የልቦን፡ ብኣታቶም ኲሪኻ ድማ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ጸላኢ ኣሕሊፍካ እሻተ ሀብካዮም እሞ ኣብ ርሑቕ ኰነ ወይ ኣብ ቀርባ ናብ ዘላ ሃገር ምርኮ እንተ ማረኽዎም፡ 37 ኣብታ ተማሪኾምላ ዘለዉ ሃገር ኲይኖም፡ ናብ ልቦም እንተ ተመልሱ፡ ኣብታ ምድሪ ምርኮኦም ኰይኖም ከኣ መሊሶም፡ ሓጢኣት ገበርናን በደልናን ክፉእ ገበርናን፡ ኢሎም ናባኻ

እንተ ተማህለሉ፡ 38 ኣብ ሃገር እቶም ዝማረኽዎምን ከለዉ፡ ብኹሉ ልቦምን ብኹሉ ነፍሶምን ናባኻ
እንተ ተመልሱ፡ ኣብታ ምድሪ ምርኮ ኾይኖምስ፡ ገጾም ናብዛ ነቦታቶም ዝሀብካዮም ምድሮም፡ ናብዛ
ዝሐሬኻያ ኸተማን ናብዛ ንስምካ ዘሰራሕክዋ ቤትን ኣቢሎም እንተ ጸለዩ፡ 39 ሽዑ ኻብ ሰማይ ካብታ
እትነብረላ ስፍራኻ ጸሎቶም ምህልላኦምን ሰሚዕካ፡ ፍትሒ ኣውጽኣሎም፡ ነቶም ዝበደሉኻ ህዝብኻ
ድማ ሕደገሎም። 40 ሕጂ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ በጃኻ፡ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ንተጸለየ ጸሎትስ ኣዒንትኻ ይከፈታ፡
ኣእዛንካውን ይስምዕኦ። 41 ሕጂ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንስኻን ታቦት ሓይልኻን ናብ መዕረፊኻ
ተንስእ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ካህናትካ ምድሓን ይልበሱ፡ ቅዱሳንካውን ብሰናይ ይተሐጐሱ። 42 ዎ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንገጽ ቅቡእካ ንድሕሪት ኣይትምለሶ፡ ነቲ ንባርያኻ ዳዊት ዘተስፎኻዮ ምሕረት
ዘክሮ።

# ምዕራፍ 7

1 ሰሎሞን ጸሎቱ ምስ ወድኤ ድማ፡ ሓዊ ኻብ ሰማይ ወሪዳ፡ ነቲ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ
ሕሩድን በልዓቶ፡ ነታ ቤትውን ክብሪ እግዚኣብሄር መልኣ። 2 ክብሪ እግዚኣብሄር ነታ ቤት እግዚኣብሄር
ስለ ዝመልኣ ኸኣ፡ እቶም ካህናት ናብታ ቤት እግዚኣብሄር ኪኣትዉ ኣይከኣሉን። 3 ኲሎም ደቂ
እስራኤል ድማ ምውራድ ሓውን ክብሪ እግዚኣብሄርን ኣብ ልዕሊ እታ ቤት ረኣዩ፡ ኣብታ ብእምነ
እተራዕርዔት ቦታ ኸኣ ብገጾም ናብ ምድሪ ፍግም በሉ፡ ሰጊዶም ድማ ንእግዚኣብሄር፡ ንሱ ሰናይ እዩ፡
ምሕረቱውን ንዘለኣለም ይነብር፡ ኢሎም ኣመስገንዎ። 4 እቲ ንጉስን ኲሉ ህዝብን ከኣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር መስዋእቲ ሕሩድ ይስውኡ ነበሩ። 5 ንጉስ ሰሎሞን ዕስራን ክልተን ሽሕ ብዕራይን ሚእትን
ዕስራን ሽሕ በጊዕን መስዋእቲ ሕሩድ ሰውኤ። በዚ ኸኣ እቲ ንጉስን ኲሉ እቲ ህዝብን ነታ ቤት ኣምላኽ
ቀደስዋ። 6 እቶም ካህናት ድማ በብኣገልግሎቶም ቈይሞን ነበሩ፡ ሌዋውያንውን እቲ ንጉስ ዳዊት
ንእግዚኣብሄር፡ ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፡ ኪምስገነሉ ኢሉ ዝገበሮ መሳርያ ሙዚክ
እግዚኣብሄር ሒዞም ነበሩ፡ ዳዊት ድማ ብኣታቶም የመስግን ነበረ። እቶም ካህናት ከኣ ኣብ መንጽሮም
ኰይኖም መለኸት ይነፍሑ ነበሩ፡ ብዘሎ እስራኤል ድማ ደው ኢሉ ነበረ። 7 እቲ ሰሎሞን ዝገበሮ ናይ
ኣስራዚ መሰውኢ ንዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ብልዕን ንስብሒታትን ምእካል ስለ ዝሰኣኖ፡ ነቲ
ዚሐርር መስዋእትን ስብሒታት መስዋእቲ ምስጋናን ኣብቲ ማእከላይ ኣጸድ ስለ ዝሰውኦ፡ ሰሎሞን ነቲ
ኣብ ቅድሚ ቤት እግዚኣብሄር ዝነበረ ማእከላይ ኣጸድ ቀደሶ። 8 በታ ጊዜ እቲኣ ሰሎሞን፡ ምስኡ ኸኣ
ብዘሎ እስራኤል፡ ካብታ ንሓማት እተእቱ ኸሳዕ ርባ ግብጺ ኣዝዩ ዓብዪ ማሕበር ኰይኖም፡ ሾብዓተ
መዓልቲ በዓል ገበሩ። 9 ምቕዳስ እቲ መሰውኢ ብሾብዓተ መዓልቲ፡ እቲ በዓል ከኣ በሾብዓተ መዓልቲ
ይገብሩ ነበሩ እሞ፡ በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ዓብዩ በዓል ገበሩ። 10 በታ ሳብዐይቲ ወርሒ ኣብ መበል
ዕስራን ሰለስተን መዓልቲ ድማ ነቶም ህዝቢ ናብ ድንኳውንቶም ሰደደኦም። ንሳቶም በቲ እግዚኣብሄር
ንዳዊትን ንሰሎሞንን ንህዝቡ እስራኤልን ዝገበረሎም ጽቡቕ ነገር ሕጉሳትን ልቦም ባህ ዝበሎን ኰይኖም
ነበሩ። 11 እምብኣርስ ሰሎሞን ቤት እግዚኣብሄርን ቤት ንጉስን ፈጸመ፡ እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ
ቤቱን ኪገብር ንሰሎምን ናብ ልቡ ዝመጾ ኹሉ ኸኣ ሰለጦ። 12 እግዚኣብሄር ድማ ንሰሎሞን ብለይቲ
ተገልጸሉ፡ በሎውን፡ ጸሎትካ ሰሚዔ፡ ነዛ ቦታ እዚኣውን ቤት መስዋእቲ ኽትከውን ንኣይ ሐርየያ
ኣሎኹ። 13 ንሰማይ ዝናም ከየውርድ እንተ ዐጾኽዎ፡ ነንበጣውን ንምድሪ ኺበልዓ እንተ ኣዘዝክዎ፡ ወይ
ኣብ መንጎ ህዝበይ ፈሬ እንተ ሰደድኩ፡ 14 እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝበይ ከኣ ትሕት እንተ በለ፡ እንተ

ለመነ፡ ገጸይውን እንተ ደለየ፡ ካብ ክፉእ መገዱ ድማ እንተ ተመልሰ፡ ሽዑ ኣነ ኻብ ሰማይ ክሰምዕ እየ፡
ሓጢኣቶም ከኣ ይቕረ ኽብለሎም፡ ምድሮምውን ክፍውሰሎም እየ። 15 ሕጂ ኸኣ ኣብዛ ቦታ እዚኣ
ንዚጽለ ጸሎት ኣዒንተይ ኪኸፈታ፡ ኣእዛነይውን ጽን ኪብላ እየን። 16 ሕጂ ድማ ነዛ ቤት እዚኣ ስመይስ
ንዘለኣለም ኣብኣ ኪኸውን፡ ኣዒንተይን ልበይን ከኣ ኵሉጊዜ ኣብኣ ኪኾና ሐርየያን ቀዲሰያን ኣሎኹ።
17 ንስኻ ድማ ከምቲ ኹሉ ዝኣዘዝኩኻ ኽትገብር፡ ሕጋጋተይን ፍርድታተይን ከኣ ክትሕሉ፡ ከምተ ኣቦኻ
ዳዊት እተመላለሶ ጌርካ፡ ኣብ ቅድመይ እንተ ተመላለስካ፡ 18 ሽዑ ኸምቲ ነቦኻ ዳዊት፡ ኣብ እስራኤል
ዚገዝእ ሰብ ኣይኪሰኣንካን እሮኡ፡ ኢለ ኺዳን ዝኣቶኹሉ፡ ንዝፋን መንግስትኻ ኽጽንዖ እየ። 19
ንስኻትኩም ግና ተመሊስኩም ነቲ ኣብ ቅድሜኹም ዘንበርክዎ ሕጋጋተይን ትእዛዛተይን እንተ
ሐደግኩምዎ፡ ኬድኩም ድማ ንኻልኦት ኣምልኸቲ እንተ ኣምለኽኩምዎምን እንተ ሰገድኩምሎምን፡ 20
ሽዑ ኻብዛ ዝሀብክዎም ምድረይ ክምንቀሎም እየ፡ ነዛ ንስመይ ዝቐደስክዋ ቤት ከኣ ካብ ቅድሚ ገጸይ
ክድርብያ እየ፡ ኣብ መንጎ ኹሎም ህዝብታት ድማ መመሰልን መድረፍን ክገብራ እየ። 21 ነፍሲ ወከፍ
በዛ ልዕል ኢላ ዝነበረት ቤት እዚኣ ዚሐልፍ ከኣ፡ ብእኣ ኺድነቕ እዩ እሞ፡ ስለምንታይ እዩ እግዚኣብሄር
ነዛ ሃገር እዚኣን ነዛ ቤት እዚኣን ኪምዚ ዝገበረን ኪብል እዩ። 22 ከምዚ ኢሎም ከኣ ይመልሱሉ፡ ነቲ
ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኦም እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ስለ ዝሐደግዎ፡ ንኻልኦት ኣምላኽቲ ኸኣ
ስለ ዝሰገዱሎምን ስለ ዘምለኽዎምን፡ ስለዚ ነዚ ኹሉ ኽፉእ ነገር ኣብ ልዕሌኦም ኣምጽኤ።

## ምዕራፍ 8

1 ኰነ ድማ፡ እተን ሰሎሞን ቤት እግዚኣብሄርን ቤቱን ዝሰርሓለን ዕስራ ዓመት ምስ ተወድኣ፡ 2 ሰሎሞን
ነተን ሑራም ንሰሎሞን ዝሀቦ ኸተማታት ሰርሔን፡ ንደቂ እስራኤል ድማ ኣብኤን ኣቐመጦም። 3
ሰሎሞን ከኣ ናብ ሓማት  ጾባ ኸይዱ ንእኣ በርትዓ። 4 ኣብ በረኻ ድማ ንታድሞር ሰርሓ፡ ንኹለን እተን
ኣብ ሓማት እተሀንጻ ኸተማታት መዛግብቲውን ሰርሔን። 5 ንቤት  ሖሮን ላዕላይን ንቤት  ሖሮን
ታሕታይን ከኣ መካበብያታትን መዓጹን መሓርሃሪታትን ዘለወን እተዐርዳ ኸተማታት ገይሩ ሰርሔን። 6
ንበዓላትን ንሰሎሞን ዝነበራኦ ኹለን ከተማታት መዛግብትን ኵለን ከተማታት ሰረገላታቱን ከተማታት
ፈረሰኛታቱን ኵለን እተን ሰሎሞን ኣብ የሩሳሌም ኣብ ሊባኖስን ኣብ ብዘላ ሃገር ግዝኣቱን ከም ባህጉ
ኺሰርሕ ኢሉ ዝደለዮ ገይሩ ሰርሔን። 7 እቶም ካብ እስራኤል ዘይኰኑ ኹሎም ኣህዛብ፡ ካብ
ሔታውያንን ኣሞራውያንን ፈረዛውያንን ሃዋውያንን ይብሳውያንን ዝተረፉ፡ 8 ካብቶም ብድሕሪኦምሲ
እቶም ደቂ እስራኤል ዘየጥፍእዎም ኣብታ ሃገር ተሪፎም ዝነበሩ ደቆም፡ ንኣታቶም ሰሎሞን ክሳዕ ሎሚ
ዚግብሩ ግዙኣት ገበሮም። 9 ካብ ደቂ እስራኤል ግና ሰሎሞን ኣብቲ ዕዮኡ ኣገልገልቲ ኣይገበረን፡
ንሳቶምሲ ተዋጋእትን ሹማምቲ ሓላቑኡን ዋናታት ሰረገላታቱን ፈረሰኛታቱን ደኣ ነበሩ። 10 እዚኣቶም
ድማ ናይ ንጉስ ሰሎሞን ሓላቑ ዋናታት፡ ነቲ ህዝቢ ዚእዝዙ፡ ክልተ ሚእትን ሓምሳን እዮም። 11
ሰሎሞን ድማ፡ ኣብ ቤት ዳዊት ንጉስ እስራኤል፡ ታቦት እግዚኣብሄር ኣብኤን ስለ ዝኣተወ ቅዱስ
ቦታታት ኰይነን እየን እሞ፡ ሰበይተይ ኣብኣ ኣይክትነብርን እያ፡ ስለ ዝበለ፡ንጓል ፈርኦን ካብ ከተማ
ዳዊት ናብታ ዝሰርሓላ ቤት ኣደየባ። 12-13 ሽዑ ሰሎሞን ከምቲ ትእዛዝ ሙሴ እናገበረ ብሰናብትን
ብሰርቂ ወርሕን በቲ ምዱብ በዓላትን ኣብ ዓመት ሰለስተ ጊዜ፡ ማለት ብበዓል ቅጫን ብበዓል
ሰሙናትን ብበዓል ዳስን፡ እቲ ነንምኣዓልቲ ዚግባእ መስዋእቲ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ ገበላ ዝሰርሖ፡
ንእግዚኣቢሄር ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረገሉ። 14 ከምቲ ኣቦኡ ዳዊት ዝሰርዖ ድማ ነቶም ክፍልታት ካህናት

ናብ ኣገልግሎቶም፡ ንሌዋውያንውን በብመዓልቲ ኸም ዚግባእ ኬመስግኑን ኣብ ቅድሚ ኻህናት
ኬገልግሉን ኣመዘዞም፡ ነቶም ሓለውቲ ደጌታት ከኣ ከም ክፍልታቶም ኣብ ደደገ ኺሕልዉ ኣቘሞም፡
እዚ ኸኣ ዳዊት፡ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ከምኡ ኣዚዙ ስለ ዝነበረ እዩ። 15 ብዛዕባ እቶም ካህናትን
ሌዋውያንን ብናይ ዝኾነ ነገር ወይ ብናይ መንግስቲ ኻብ ትእዛዝ ንጉስ ኣየግለሱን። 16 ከምዚ ኢሉ ኹሉ
እቲ ዕዮ ሰሎሞን ክሳዕ እታ መዓልቲ ምስራት ቤት እግዚኣብሄርን ክሳዕ ምፍጻማን ተዳለወ። እታ ቤት
እግዚኣብሄር ከኣ ተፈጸመት። 17 ሽዑ ሰሎሞን ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ምድሪ ኤዶም ናብ ዘለዋ ዔጽዮን
ጋበርን ናብ ኤሎትን ከደ። 18 ሑራም ድማ ብገላዉኡ ገይሩ መራኽብን ባሕሪ ዚፈልጡ ገላዉን ሰደደሉ፡
ምስ ገላዉ ሰሎሞን ድማ ናብ ኦፊር ከዱ፡ ካብኡ ኸኣ ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ታለንት ወርቂ
ወሲዶም ናብ ንጉስ ሰሎሞን ኣምጽእዎ።

# ምዕራፍ 9

1 ንግስቲ ሳባ ድማ ወረ ሰሎሞን ምስ ሰምዔት፡ ንሰሎሞን ብሕንቅሕንቅሊቶይ ክትፍትኖ፡ኣዝዩ ብዙሕ
ጒዕዞን ቀመማትን ብዙሕ ወርቅን ክቡር ኣእማንን ዝጾራ ኣግማል ሒዛ ናብ የሩሳሌም መጸት። ናብ
ሰሎሞን ምስ ኣተወት ድማ፡ ኣብ ልባ ዝነበረ ኹሉ ኣዛረበቶ። 2 ሰሎሞን ከኣ ነቲ ዝጠየቐቶ ኹሉ ገለጸላ፡
ዘይገለጸላ ኻብ ሰሎሞን እተሰወረ ነገር ከኣ ኣይነበረን። 3-4 ንግስቲ ሳባ ድማ ጥበብ ሰሎሞንን እታ
ዝሰርሓ ቤትን መብልዕ መኣዱን ኣቀማምጣ ገላዉኡን ኣቓውማ ኣገልገልቱን ኣኻዳድናኦምን ኣሰለፍቱን
ኣኻዳድናኦምን ነቲ ናብ ቤት እግዘኣብሄር ዚድይበሉ መሳልልን ምስ ረኣየት፡ ውኖኣ ተመሰጠ። 5 ንንጉስ
ከኣ በለቶ፡ እቲ ኣብ ሃገረይ ከሎኹ ብዛዕባ ግብርኻን ብዛዕባ ጥበብካን ዝሰማዕክዎ ነገር ሓቂ እዩ። 6
መጺኤ ብዓይነይ ክሳዕ ዘርኢ ድማ፡ ነቲ ዘረባኦም ኣይኣመንክዎን፡ እንሆ ኸኣ፡ ነዚ ዕቤት ጥበብካስ
ፈረቓኡ እኳ ኣይነገሩንን፡ ካብቲ ዝሰማዕክዎ ወረ ትበልጽ ኢካ። 7 እቶም ሰብካ ብጹኣት እዮም፡ እዞም
ወርትግ ኣብ ቅድሜኻ ደው ኢሎምስ ጥበብካ ዚሰምዑ ገላዉኻ ድማ ብጹኣን እዮም። 8 እቲ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ንጉስ ክትከውን ኣብ ዝፈኣኑ ኬቐምጠካ ዝፈተወካ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ብሩኽ ይኹን። ኣምላኽካ ንእስራኤል ንዘላለም ኬቕኖ ስለ ዝፈተዎ፡ ፍርድን ጽድቅን ምእንቲ
ኽተውጽእ፡ ኣብ ልዕሊኦም ንጉስ ክትከውን ሸመካ። 9 ንስ ድማ ንንጉስ ሚእትን ዕስራን ታለንት ወርቅን
ኣዝዩ ብዙሕ ቀመማትን ክበር ኣእማንን ሀበቶ። ከምቲ ንግስቲ ሳባ ንንጉስ ሰሎሞን ዝሀበቶ ቐመማትስ
ከቶ ኣይነበረን። 10 እቶም ካብ ኦፊር ወርቂ ዘምጽኡ ገላዉ ሑራምን ገላዉ ሰሎሞንን፡ ዕጨይቲ ሰንደልን
ክቡር ኣእማንን ከኣ የምጽኡ ነበሩ። 11 ንጉስ ድማ ካብቲ ዕጨይቲ ሰንደል ንቤት እግዚኣብሄርን ንቤት
ንጉስን ዚኸውን መደያይቦ፡ ንመዘምራን ዚኸውን ከኣ በገናታትን መሰንቆታትን ገበረ። ከምኡ ዝበለስ
ኣብ ምድሪ ይሁዳ ቕድም ኣይተራእየን። 12 ብዘይ እቲ ንሳ ናብ ንጉስ ኣምጺኣቶ ዝነበረት፡ ንጉስ ሰሎሞን
ከኣ ንንግስቲ ሳባ ዝለመነቶ ዘበለ ኹሉ ድላያ ሀባ። ሽዑ ንሳ ተመሊሳ፡ ምስ ገላዉኣ ናብ ሃገራ ኸደት።
13-14 ብዘይ እቲ ሰብ ሸቕጥን ነጋዶን ዜምጽእዎ ዝነበሩ፡ እቲ ንሰሎሞን በብዓመቱ ዚኣትዎ ዝነበረ ሚዛን
ወርቂ ሹድሽተ ሚእትን ስሳን ሹድሽተን ታለንት ወርቂ ነበረ። ኲሎም ነገስታት ዓረብን ምስሌኔታት እታ
ሃገርን ድማ ንሰሎሞን ወርቅን ብሩርን የምጽኡሉ ነበሩ። 15 ንጉስ ሰሎሞን ከኣ ክልተ ሚእቲ ዓበይቲ
ዋልታ ቕጥቁጥ ወርቂ ሰንሔ፡ ነንሓድ ዋልታ ሹድሽተ ሚእቲ ሲቃል ቅጥቁጥ ወርቂ ወድኤ። 16 ሰለስተ
ሚእቲ ናእሽቱ ዋልታ ቕጥቁጥ ወርቂ ድማ ሰርሔ። ነንሓደ ዋልታ ኸኣ ሰለስተ ሚእቲ ሲቃል ወርቂ
ወድኤ። እቲ ንጉስ ድማ ኣብታ ቤት ዱር ሊባኖስ ኣንበሮ። 17 ንጉስ ድማ ብስኒ ሓርማዝ ዓብዪ ዝፋን

ሰርሖ፡ ብጽሩይ ወርቂውን ለበጦ። 18 እቲ ዝፋን ከኣ ሹድሽተ መደያይቦ ምስ ሓደ ናይ ወርቂ ድኳ እግሪ
ምስቲ ዝፋን እተለገበ ነበሮ፡ እቲ ኾፍ መበሊ ድማ በዝን በትን መደገፍ ኣእዳው ነበሮ፡ ኣብ ጎቦ እቲ
መደገፊታት ኣእዳው ከኣ ክልተ ኣንበሳ ደው ኢሎም ነበሩ። 19 ኣብቲ ሹድሽተ መደያይቦ ድማ ብዝን
በትን ዓሰርተው ክልተ ኣንበሳ ደው ኢሎም ነበሩ። ከምዚ ዝበለ ኣብ ኲለን መንግስትታት ኣይተገብረን።
20 ናይ ንጉስ ሰሎሞን መሳተያ ዘበለ ኹሉ ኸኣ ወርቂ ነበረ፡ ናይ ቤት ዱር ሊባኖስ ኲሉ ኣቓሑውን
ጽሩይ ወርቂ ነበረ፡ ብዘመን ሰሎሞንሲ ብሩር ከም ቁም ነገር ኣይቈጸርን ነበረ። 21 ንጉስሲ ምስ ገላዉ
ሑራም ናብ ተርሲስ ዚኸዳ መራኽብ ነበራኦ እሞ፡ እተን መራኽብ ተርሲስ ወርቅን ብሩርን ስኒ
ሓርማዝን ኣህባይን ኣዕዋፍን ተጽዒነን ኣብ ሰሰለስተ ዓመት ሓንሳእ ይመጻ ነበራ። 22 ንጉስ ሰሎሞን ከኣ
ብሃብትን ጥበብን ካብ ኲሎም ነገስታት ምድሪ ዐበየ። 23 ኲሎም ነገስታት ምድሪ ድማ ነቲ ኣምላኽ ኣብ
ልቡ ዝሀቦ ጥበብ ምእንቲ ኺሰምዕዎ፡ ኣብ ቅድሚ ሰሎሞን ኪመጹ ይደልዮ ነበሩ። 24 ንሳቶም ከኣ ነፍሲ
ወከፎም ገጸ በረኸቱ፡ ኣቓሑ ብሩርን ኣቓሑ ወርቅን ክዳውንትን ኣጽዋርን ቀመማትን ኣፍራስን ኣባቕልን
ዓመት ንዓመት የምጽኡ ነበሩ። 25 ሰሎሞን ድማ ኣርባዕተ ሽሕ ስፍራ ኣፍራስን ሰረገላታትን ዓሰርተው
ክልተ ሽሕ ፈረሰኛታትን ነበርዎ፡ ነዚኣቶም ከኣ ኣብ ከተማታት ሰረገላን ኣብ የሩሳሌም ምስ ንጉስን
ኣቐመጦም። 26 ድማ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ነገስታት ካብቲ ርባ ጀሚሩ ኽሳዕ ምድሪ ፍልስጥኤማውያንን
ክሳዕ ዶብ ግብጽን ይገዝእ ነበረ። 27 እቲ ንጉስ ከኣ ንብሩር ኣብ የሩሳሌም ከም እምኒ ገበሮ፡
ንቄድሮስውን ኣብ ቈላ ኸም ዘሎ ሳጋል ዝምብዛሑ ገበሮ። 28 ኣፍራስ ድማ ንሰሎሞን ካብ ግብጽን ካብ
ኲለን ሃገራትን የምጽኡሉ ነበረ። 29 እቲ ዝተረፈ ናይ ሰሎሞን ነገር፡ ቀዳማዩን ዳሕራዩን፡ ንሱ ኣብ ዛንታ
ነብዩ ናታንን ኣብ ትንቢት ኣሒያ እቲ ሺሎናውን ኣብ ራእይ የዕዶ ብናይ የሮብዓም ወዲ ናባጥ ዝረኣዮዶ
ተጽሒፉ ኣየሎን 30 ሰሎሞን ኣብ የሩሳሌም ኣብ ልዕሊ ኹሉ እስራኤል ኣርብዓ ዓመት ገዝኤ። 31
ሰሎሞን ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ኣቦኡ ዳዊትውን ቀበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ሮብዓም
ነገሰ።

# ምዕራፍ 10

1 ብዘለዉ እስራኤል ንሮብዓም ኬንግስዎ ናብ ሴኬም መጺኦም ነበሩ እሞ፡ ንሱ ድማ ናብ ሴኬም ከደ።
2 ኰነ ኸኣ፡ የሮብዓም ወዲ ናባጥ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ንሱ ኣብ ግብጺ፡ ኣብቲ ኻብ ቅድሚ ንጉስ ሰሎሞን
ዝሀደሞ ነበረ እሞ፡ የሮብዓም ካብ ግብጺ ተመልሰ። 3-4 ልኢኾም ድማ ጸውዕዎ። ሽዑ የሮብዓምን
ኲሎም እስራኤልን መጺኦም ንሮብዓም፡ ኣቦኻ ኣርዑት ኣበርትዓልና፡ ሕጂ ድማ ነቲ ብርቱዕ ኣገዛዝኣ
ኣቦኻን ነቲ ዝሰቐለልና ኸቢድ ኣርዑቱን ኣቕልለልና እሞ ኽንግዝኣካ ኢና፡ ኢሎም ተዛረብዎ። 5 ንሱ
ድማ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ናባይ ተመለሱ፡ በሎም። እቲ ህዝቢ ኸኣ ኸደ። 6 ንጉስ ሮብዓም ድማ
ምስቶም ኣቦኡ ሰሎሞን ብህይወቱ ኸሎ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው ዚብሉ ዝነበሩ ዓበይቲ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ
ዝመልሶ ነገር እንታይ ትመኽሩኒ ኢሉ ተማከረ። 7 ንሳቶም ከኣ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ህያው እንተ ኾንካዮ፡
እንተ ትልውሃሎም ድማ፡ ጽቡቕ ቃላትውን እንተ ተዛረብካዮም፡ ንሓዋሩ ገላዉ ኪኾውኑኻ እዮም፡
ኢሎም ተዛረብዎ። 8 ንሱ ግና ነቲ እቶም ዓበይቲ ዝመኸርዎ ምኽሪ ሐዲጉስ፡ ምስቶም ምስኡ ዝዐበዩ
ኣብ ቅድሚኡ ደው ዚብሉ መንእሰይ ተማኸረ። 9 እሞ፡ ነዞም፡ እቲ ኣቦኻ ዝሰቐለልና ኣርዑት
ኣቕልለልና፡ ዚብሉኒ ህዝቢ እዚኦም እንመልሰሎም ነገር እንታይ ምኽሩ ተማኸሩኒ በሎም። 10 እቶም
ምስኡ ዝዐበዩ መንእሰይ ከኣ ከምዚ ኢሎም መለሱሉ፡ ነዞም፡ ኣቦኻ ኣርዑት ኣኽቢዱልና እዩ፡ ንስኻ ግና

ኣቕልለልና። ኢሎም እተዛረቡኻ ህዝቢ ኸምዚ በሎም፡ እዛ ንእሽቶይ ኣጻብዔይ ካብ ሕቘ ኣቦይ
ትረጒድ። 11 ሕጂ ድማ ኣቦይ ኣርዑት ኣኽበደልኩም፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ኣርዑትኩም ክውስኸልኩም
እየ፡ ኣቦይ ብሓለንጊ ገረፈኩም፡ ኣነ ግና ብጭጒራፍ ክገርፈኩም እየ። 12 ከምቲ እቲ ንጉስ፡ በታ
ሳልሰይቲ መዓልቲ ተመለሱኒ፡ ኢሉ እተዛረቦም ድማ፡ የሮብዓምን ኲሉ እቲ ህዝብን ኰይኖም፡ በታ
ሳልሰይቲ መዓልቲ ናብ ሮብዓም መጹ። 13 ሽዑ እቲ ንጉስ ኣበርቲዑ መለሰሎም። ንጉስ ሮብዓምሲ
ንምኽሪ እቶም ዓበይቲ ሐደጎ። 14 ከምቲ ምኽሪ እቶም መንእሰይ ከኣ፡ ኣቦይ ነቲ ኣርዑትኩም ኣኽበዶ፡
ኣነ ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ኽውስኽ እየ፡ ኣቦይ ብሓለንጊ ገረፈኩም፡ ኣነ ግና ብጭጒራፍ ክገርፈኩም እየ፡
ኢሉ ተዛረቦም። 15 እቲ እግዚኣብሄር ንየሮብዓም ወዲ ናባጥ ብኣሒያ እቲ ሽሎናዊ ተዛሪብዎ ዝነበረ ቓሉ
ምእንቲ ኬቕውም፡ እዚ ኻብ ኣምላኽ ተመዲቡ ነበረ እሞ፡ እቲ ንጉስ ነቲ ህዝቢ ኣይሰምዖን። 16 ሽዑ
ብዘለዉ እስራኤል፡ ንጉስ ከም ዘይሰምዖም ምስ ረኣዩ፡ እቶም ህዝቢ ንንጉስ፡ ኣብ ዳዊትከ እንታይ
ክፍሊ ኣሎና ኣብ ወዲ እሰኢይ ርስቲ የብልናን። ዎ እስራኤል፡ ነፍሲ ወከፍ ናብ ድንኳንካ ተመለስ፡ ኣታ
ዳዊት፡ ሕጆስ ቤትካ ሐሉ፡ ዚብል ዘረባ መለሱሉ። ሽዑ ብዘሎ እስራኤል ናብ ድንኳናቱ ኸደ። 17
ሮብዓምግና ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ከተማታት ይሁዳ ዚቕመጡ ዝነበሩ ደቂ እስራኤል ነገሰ። 18 ንጉስ
ሮብዓም ድማ ነቲ ኣብ ልዕሊ እቶም ገባር ተሸይሙ ዝነበረ ሃዶራም ሰደዶ፡ ደቂ እስራኤል ከኣ ብዳርባ
እምኒ ቐተዎ፡ ሞተ ኸኣ። ንጉስ ሮቦኣም ድማ ተቐላጢፉ ናብ ሰረገላኡ ደዪቡ ናብ የሩሳሌም ሀደመ። 19
በዚ ኸምዚ እስራኤል ካብ ቤት ዳዊት ክሳዕ ሎሚ ዐልዮም ኣለዉ።

## ምዕራፍ 11

1 ሮብዓም ናብ የሩሳሌም ምስ መጸ ድማ፡ ምስ እስራኤል ተዋጊኦም ነታ መንግስቲ ናብ ሮብዓም
ኪመልስዋ፡ ቤት ይሁዳን ብንያምን ሚእትን ሰማንያን ሽሕ ሕሩያት ተዋጋእቲ ኣኽተተ። 2 ግንኸ ከምዚ
ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ሸማዕያ፡ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ መጸ፡ 3 ንሮብዓም ወዲ ሰሎሞን፡ ንጉስ
ይሁዳን ኣብ ይሁዳን ብንያምን ንዘሎ ዅሉ እስራኤልን ከምዚ ኢልካ ንገሮም፡ 4 እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ እዚ ነገር እዚ ኻባይ እዩ እሞ፡ ኣይትደይቡን ምስ ኣሕዋትኩም ኣይትዋግኡን። ነፍሲ ወከፍ
ነናብ ቤቱ ይመለስ። ንሳቶም ከኣ ቃል እግዚኣብሄር ሰሚዖም፡ ንየሮብዓም ኪወግኡ ኻብ ምኻድ
ተመልሱ። 5 ሮብዓም ድማ ኣብ የሩሳሌም ተቐመጠ ኣብ ይሁዳ ዕርዲ ዚኾና ኸተማታት ከኣ ሰርሔ። 6-
10 ነተን ኣብ ይሁዳን ኣብ ብንያምን ዘለዋ ዕሩዳት ከተማታት፡ ንቤት  ልሄምን ንዔጣምን ንተቆዓን ንቤት
ጹርን ንሾኮን ንኣዱላምን ንጋትን ንማረወን ንዚፍን ንኣዲራዪምን ንላኪሽን ንዓዜቃን ንጾርዓን ንኣያሎንን
ንሔብሮንን፡ ሰርሔን። 11 ነቲ ዕርድታት ከኣ ኣጽንዖ፡ ምስለነታት ድማ ኣቐመጠሉ፡ መዛግብቲ እኽልን
ዘይትን ወይንን ገበረሉ። 12 ኣብ ኲለን ከተማታት ከኣ በብኸተማ ዋላቱን ኲናውትን ኣቐመጠለን፡ ኣዝዩ
ድማ ኣጽንዔን። ይሁዳን ብንያምን ከኣ ንእኡ ዀና። 13 ኣብ ብዘሎ እስራኤል ዝነበሩ ኻህናትን
ሌዋውያንን ካብ ኲሉ ዶባቶም ናብኡ መጹ። 14 እቶም ሌዋውያንሲ፡ ካህናት እግዚኣብሄር ኰይኖም
ከየገልግሉ፡ የሮብዓምን ደቁን ስለ ዝሰጎጒዎም፡ ከባቢ ኸተማታቶምን ርስቶምን እናሐደጉ ናብ ይሁዳን
የሩሳሌምን ከዱ። 15 ንሱ ኸኣ ንርእሱ ነቲ በረኸትን ንኽፉኣት መናፍስትን ነቶም ዝገበሮም ምራዅትን
ካህናት ኣቘመ። 16 ካብ ኵሎም ነገዳት እስራኤል ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኪደልይዎ
ልቦም ዝሀቡ ዘበሉ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም፡ ምእንቲ ኺስውኡሉ፡ ደድሕሪኦም ናብ
የሩሳሌም መጹ። 17 ነታ መንግስቲ ይሁዳ ኸኣ ኣበርትዕዋ፡ ሰለስተ ዓመት በታ መገዲ ዳዊትን ሰሎሞንን

ይኸዱ ነበሩ እሞ፡ ንሮብዓም ወዲ ሰሎሞን ድማ ሰለስተ ዓመት ኣጽንዕዎ። 18 ሮብዓም ከኣ ንማሓላት፡
ጓል የሪሞት ወዲ ዳዊትን ዓቢሓዮልን፡ ጓል ኤልያብ ወዲ እሴይ፡ ኣእተዋ። 19 ንሳ ድማ ኣወዳት፡ የውሽን
ሽማርያን ዛሃምን፡ ወለደትሉ። 20 ብድሕሪኣ ኸኣ ንማዓካ ጓል ኣበሴሎም ኣእተዋ፡ ንሳ ድማ ኣቢያን
ዓታይን ዚዛን ሸሎሚትን ወለደትሉ። 21 ሮብዓም ከኣ ዓሰርተው ሾሞንተ ኣንስትን ስሳ ኣንስቲ ወሰንን
ኣእትዩ ነበረ፡ ዕስራን ሾሞንተን ኣወዳትን ስሳ ኣዋልድን ድማ ወሊዱ ነበረ፡ ንማዓካ ጓል ኣበሴሎም ግና
ሓለፋ ኹለን ኣንስቱን ናይ ወሰን ኣንስቱን ይፈትዋ ነበረ። 22 ሮብዓም ከኣ ንኣበያ ወዲ ማዓካ ኼንግሶ
ሐሲቡ ነበረ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣሕዋቱ ሹም ኪኸውን ኣቘሞ። 23 ብምስትውዓል ድማ ንኹሎም
ኣወዳቱ ኣብ ብዘላ ሃገር ይሁዳን ብንያምን ኣብ ኵለን ጽኑዓት ከተማታት ኣቕመጦም፡ ብዙሕ
ምግቢውን ሀቦም። ብዙሓት ኣንስቲ ኸኣ ደለየሎም።

## ምዕራፍ 12

1 ኰነ ድማ፡ እታ መንግስቲ ሮብዓም ምስ ጸንዔት፡ ንሱ ኸኣ ምስ በርትዔ፡ ንሱን ብዘሎ እስራኤልን
ምስኡ ሕጊ እግዚኣብሄር ሐደጉ። 2 ኰነ ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ስለ ዝዐለውዎ፡ ንንጉስ ሮብዓም ኣብ
ሓምሰይቲ ዓመቱ ሺሻቅ ንጉስ ግብጺ ናብ የሩሳሌም ደየበ። 3 ብሽሕን ክልተ ሚእትን ሰረገላን ስሳ ሽሕ
ፈረሰኛን መጸ። ካብ ግብጺ ድማ ቍጽሪ ዜብሉ ህዝቢ፡ ሊብያውያንን ሱኪያውያንን ኢትዮጵያውያንን፡
ምስኡ መጹ። 4 ነተን እተዐርዳ ኸተማታት ይሁዳ ሒዙ ድማ፡ ናብ የሩሳሌም መጸ። 5 ነብዩ ሸማዕያ ኸኣ
ናብ ሮብዓምን ናብቶም ካብ ቅድሚ ሺወቅ ሀዲሞም ናብ የሩሳሌም እተኣከቡ ሓላቑ ይሁዳን መጺኡ
በሎም፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንስኻትኩም ሐደግኩምኒ፡ ስለዚ ኣነ ድማ ንኣኻትኩም ኣብ
ኢድ ሺወቅ ሐደግኩኹም። 6 ሽዑ እቶም ሓላቑ እስራኤልን እቲ ንጉስን ርእሶም ኣትሐቱ እሞ፡
እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ፡ በሉ። 7 እግዚኣብሄር ርእሶም ከም ዘትሐቱ ብዝረኣየ ድማ፡ ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ናብ ሸማዕያ መጸ፡ ርእሶም ኣትሒቶም እዮም እሞ፡ ኣነውን ኣይከጥፍኦምን እየ፡ ሒደት
ምንጋፍ ደኣ ኽናግፎም እየ እምበር፡ ቍጥዓይሲ ኣብ የሩሳሌም ብኢድ ሺሻቅ ኣይከፍስሶን እየ። 8 ግናኸ
እቲ ንኣይ ምግዛእን ንነገስታት ሃገራት ምግዛእን ልዩነቱ ኺፈልጡስ፡ ገላዉኡ ኪኾኑ እዮም። 9 ሺወቅ
ንጉስ ግብጺ ድማ ናብ የሩሳሌም ደየበ፡ ንመዛግብቲ ቤት እግዚኣብሄርን ንመዛግብቲ ቤት ንጉስን ድማ
ወሰዶ፡ ንኹሉ ወሰዶ። ነቲ ሰሎሞን ዝሰርሖ ናይ ወርቂ ዋላቱውን ወሰዶ። 10 ንጉስ ሮብዓም ግና ኣብ
ክንዳኡ ዋላቱ ኣስራዚ ገበረ፡ ኣብ ኢድ ሓላቑ እቶም ደገ ቤት ንጉስ ዚሕልዉ ዝነበሩ ዘብዔኛታት
ኣማዕቈበን። 11 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ንጉስ ናብ ቤት እግዚኣብሄር በብዝኣተወላ እዋን እቶም ዘብዔኛታት
መጺኦም ይጾርወን ነበሩ፡ ናብቲ ኽፍሊ ቤት እቶም ዘብዔኛታት ድማ ይመልስወን ነበሩ። 12 ርእሱ ስለ
ዘትሐተ ኸኣ፡ ፈጺሙ ኸየጥፍኦስ እቲ ቝጥዓ እግዚኣብሄር ካብኡ ተመልሰ። ኣብ ይሁዳስ ጽቡቕ ነገር
ድማ ነበረ። 13 ሮብዓም ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ኣርብዓን ሓደን ዓመት ነበረ እሞ፡ ንጉስ ሮብዓም ኣብ
የሩሳሌም በትዔ ገዝኤ ከኣ፡ ዓሰርተው ሾብዓተ ዓመት ኣብ የሩሳሌም፡ ኣብታ እግዚኣብሄር፡ ስሙ ኣብኣ
ኼንብሮ፡ ካብ ኵሎም ነገዳት እስራኤል ዝሐረያ ኸተማ ገዝኤ። ኣዲኡ ኸኣ ናዓማ እትብሀል ዓሞናዊት
እያ። 14 ንሱ ድማ ንምድላው እግዚኣብሄር ልቡ ኣየቕንዔን እሞ፡ ክፉእ ገበረ። 15 እቲ ግብርታት ሮብዓም
ግና፡ እቶም ቀዳሞትን እቶም ዳሕሮትን፡ ንሱ ኣብታ ናይ ነብዩ ሸማዕያን ናይ ረኣዩ ዒዶን ዛንታዶ
ኽምቲ ኣገባብ መጽሓፍ ወለዶ ተጽሒፉ ኣየሎን ኣብ መንጎ ሮብዓምን የሮብዓምን ድማ ኲሉ ዘመን
ውግእ ነበረ። 16 ሮብዓም ከኣ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ዳዊትውን ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ድማ

ወዱ ኣቢያ ነገሰ።

# ምዕራፍ 13

[1] ንንጉስ የሮብዓም ኣብ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመቱ ኣቢያ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ ነገሰ። [2] ኣብ የሩሳሌም
ሰለስተ ዓመት ነገሰ። ስም ኣዲኡ ድማ ሚካያ እዩ፡ ንሳ ጓል ኡሪኤል ካብ ጊብዓ እያ። ኣብ መንጎ ኣቢያን
የሮብዓምን ከኣ ውግእ ነበረ። [3] ኣቢያ ድማ ሰራዊት ተዋጋእቲ ጀጋኑ፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ሽሕ ሕሩያት ሰብ
ሒዙ ንውግእ ተሰለፈ፡ የሮብዓም ከኣ ንእኡ ብሾብዓተ ሚእቲ ሽህ ሓያላት ጀጋኑ ዝነበሩ ሕሩያት ሰብ
ኪዋጋእ ተሰለፈ። [4] ኣቢያ ድማ ኣብ ከረን ኤፍሬም ናብ ዘላ ኈርባ ጸማራዪም ተንሲኡ በለ፡ ኣታ
የሮብዓምን ብዘሎኹም እስራኤልን፡ ስምዑኒ፡ [5] መንግስቲ እስራኤልስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል
ንዳዊት፡ ንእኡን ንደቁን፡ ንዘለኣለም ብናይ ጨው ኪዳን ከም ዝሀቦምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም [6]
የሮብዓም ወዲ ናባጥ፡ ጊልያ ሰሎሞን ወዲ ዳዊት፡ ግና ተንሲኡ ኻብ ጐይታኡ ሸፈተ። [7] ምናምናት፡ ደቂ
ብልያል ዝኾኑ ሰባት ድማ ናብኡ ተኣኪቦም ንሮብዓም ወዲ ሰሎሞን በርትዕዎ። ሮብዓም ከኣ ገና
ዘይበሰለ መንእሰይ ከሎ፡ ኪቃወሞም ኣይከኣለን። [8] ሕጂ ኸኣ ንስኻትኩም ነታ ኣብ ኢድ ደቂ ዳዊት ዘላ
መንግስቲ እግዚኣብሄር ክትቃወምዋ እትኽእሉ ይመስለኩም ኣሎ፡ ንስኻትኩም ድማ ዓብዪ ጭፍራ
ኼንኩም ኢኹም፡ እቶም የሮብዓም ንኣኻትኩም ንኣማልኽቲ ዘግበሮም ናይ ወርቂ ምራኹትውን
ምሳኻትኩም ኣለዉ። [9] ነቶም ካህናት እግዚኣብሄር፡ ደቂ ኣሮንን ሌዋውያንን፡ ኣይሰጐጕኩምዎምንዶ
ከምቶም ናይ ካልኦት ሃገራት ህዝብታት ከም ባዕላትኩምዶ ንርእስኹም ካናት ኣይገበርኩምን ንርእሱ
ኪቕደስ ሓደ ዝራብዕን ሾብዓተ ድዑልን ሒዙ ዝመጸ ዘበለ፡ ነዞም ኣማልኽቲ ዘይኰኑ ካህናም
ይኸውን። [10] ንኣና ግና ኣምላኽና እግዚኣብሄር እዩ፡ ንሕናውን ኣይሐደግናዮን፡ ንእግዘኣብሄር ዜገልግሉ
ኻህናት፡ ደቂ ኣሮንን ኣብ ዕዮኦም ዘለዉ ሌዋውያንን ኣለዉና። [11] ንግሆ ንግሆን ምሸተ ምሸትን ከኣ
ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእትን ጥዑም መኣዛንኡ ዕጣንን የሕርሩሉ ኣለዉ፡ ኣብቲ ጽሩይ ሰደቓውን
እንጌራ ምርኣይ ይሰርዑሉ፡ ምሸት ምሸት ኬብርህውን ነቲ ናይ ወርቂ ቐዋሚ ቐንዴል ምስ ቀልዒታቱ
የዳልዉ ኣለዉ። ንሕናስ ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ይተሐሎ ዝበሎ ነገረ ንሕሉ ኣሎና፡ ንስኻትኩም
ግና ሐዲግኩምዎ ኢኹም። [12] እንሆ ኸኣ፡ ኣምላኽ ምሳና ኣብ ቅድሜና እዩ፡ እቶም ምሳኻትኩም
ንምውጋእ ናብ ጭድርታ መለኸት ዚነፍሑ ኻህናቱ ኣለዉና። ኣቱም ደቂ እስራኤል፡ ኣይኪቕንዓልኩምን
እዩ እሞ፡ ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም ኣይትዋግኡ። [13] የሮብዓም ግና ብድሕሪኦም ዚኣትዉ
ድብቕ ኣዞረሎም እሞ ንሳቶም ኣብ ቅድሚ ይሁዳ ነበሩ፡ እቲ ድብቕ ከኣ ኣብ ድሕሪኦም ነበረ። [14] ይሁዳ
ገጾም ምልስ ምስ ኣበሉ ድማ፡ እንሆ፡ ውግእ ብቕድሚትን ብድሕሪትን ነበሮም። ሽዑ ናብ እግዚኣብሄር
ጨደሩ፡ እቶም ካህናትውን መለኸት ነፍሑ። [15] ሰብ ይሁዳ ኸኣ ኣውከዑ። ኰነ ድማ፡ በቲ ምውካዕ ሰብ
ይሁዳ፡ ኣምላኽ ንየሮብዓምን ንብዘሎ እስራኤልን ኣብ ቅድሚ ኣቢያን ይሁዳን ወቕዖም። [16] ደቂ
እስራኤል ከኣ ካብ ቅድሚ ይሁዳ ሀደሙ፡ ኣምላኽውን ኣብ ኢዶም ሀቦም። [17] ኣቢያን ህዝቡን ድማ
ዓብዪ ስዕረት ሰዐርዎም። ካብ እስራኤል ከኣ ሓሙሽተ ሚእቲ ሽሕ ሕሩያት ሰብ ስዑራት ወደቑ። [18]
ከምኡ እቶም ደቂ እስራኤል በቲ ጊዜ እቲ ተዋረዱ፡ እቶም ደቂ ይሁዳ ግና ብእግዚኣብሄር ኣምላኽ
ኣቦታቶም ተኣሚኖም እዮም እሞ፡ እናበርትዑ ኸዱ። [19] ኣቢያ ድማ ንየሮብዓም ሰጐጎ፡ ከተማታትውን፡
ቤት  ኤል ምስ ኣቝሻታን የሳና ምስ ኣቝሻታን ዔፍሮን ምስ ኣቝሻታን፡ ወሰደሉ። [20] የሮብዓም፡ ኣቢያ
ኽሳዕ ዘሎ፡መሊሱ ሓይሊ ኣይነበሮን። እግዚኣብሄር ድማ ቀዘፎ፡ ሞተ ኸኣ። [21] ኣቢያ ግና እናበርትዔ

ኸደ። ዓሰርተው ኣርባዕተ ኣንስቲ ኣእትዩ ድማ፡ ዕስራን ክልተን ኣወዳትን ዓሰርተው ሹድሽተ ኣዋልድን
ወለደ። [22] እቲ ዝተረፈ ናይ ኣቢያ ግብርታትን መገድታቱን ዘረባታቱን ከኣ ኣብ ትርጓሜ ነብዩ ኢዶ
ተጽሒፉ ኣሎ።

## ምዕራፍ 14

[1] ኣቢያ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ዳዊትውን ቀበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ኣሳ ነገሰ። በቲ
ዘመኑ እታ ሃገር ዓሰርተ ዓመት ዐርፈት። [2] ኣሳ ድማ እቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ጽቡቕን
ቅኑዕን ዘበለ ገበረ። [3] ነቲ ናይ ጓኖት መሰውኢታትን ነቲ በረኽትን ኣፍረሶ፡ ነቲ ኣዕኑድ ድማ ሰባበሮ፡
ንኣስታርቴታትውን ቈረረጾ። [4] ንይሁዳ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ኪደልይዎን ነቲ ሕግን
ትእዛዝን ድማ ኪገብርዎን ኣዘዞም። [5] ነቲ በረኽትን ምስልታት ጸሓይን ከኣ ካብ ኲለን ከተማታት ይሁዳ
ወገደ፡ እታ መንግስቲ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ህድእቲ ነበረት። [6] እታ ሃገር ህድእቲ ስለ ዝነበረት፡
እግዚኣብሄር ከኣ ዕረፍቲ ስለ ዝሀቦ፡ በተን ዓመታት እቲኤን ውግእ ኣይነበሮን እሞ፡ ኣብ ይሁዳ ዕሩዳት
ከተማታት ሰርሔ። [7] ንይሁዳ በሎ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ስለ ዝደሌናዮስ፡ እዛ ሃገር ኣብ ቅድሜና ኣላ
እሞ፡ ነዘን ከተማታት እዚኤን ንስርሓየን ብመንደቓትን ግምብታትን መዓጹን መሃርሃርን ከኣ ንኽበበን።
ንሕና ደሊናዮ ኢና እሞ፡ ንሱ ድማ ብዙርያና ዕረፍቲ ሂቡና ኣሎ። ንሳቶም ከኣ ሰርሑ፡ ሰለጠሎም
ድማ። [8] ኣሳ ኸኣ ዋላቱን ኲናውትን ዚጾሩ ኻብ ይሁዳ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ሰራዊት ነበርዎ፡ ካብ
ብንያምውን ዋላቱ ዚጾሩን ፍላጻ ዚውርውሩን ክልተ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ ነበርዎ። እዚኣቶም ኲሎም
ሓያላት ጅጋኑ ነበሩ። [9] ዜራሕ እቲ ኢትዮጵያዊ ድማ ሽሕ ሳዕ ሽሕ ሰራዊትን ሰለስተ ሚእቲ ሰረገላን
ሒዙ ኺዋግኦም ወጸ። ናብ ማረሻ ኸኣ መጸ። [10] ኣሳውን ኪገጥመሉ ወጸ እሞ፡ ኣብቲ፡ ለሰ ሸፋታ ናይ
ማረሻ ንውግእ ተሰለፉ። [11] ኣሳ ድማ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኸምዚ ኢሉ ተማህለለ፡ ጐይታየ፡ ኣብ
መንጎ እቲ ብዙሕ እቲ ዘለዎን ኣብ መንጎ እቲ ሓይሊ ዜብሉን ኪረድእ ዚኽእል ብዘይ ንስኻ የልቦን፡
ናባኻ ተጸጋዕና፡ ብስምካ ኢና ኸኣ ነዚ ጭፍራ እዚ ኽንገጥሞ ዝመጻእና እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ
ኢኻ ኣምላኽና እሞ፡ ሰብ ኪሕይለካ ኣይትሕደግ። [12] እግዚኣብሄር ድማ ነቶም ኢትዮጵያውያን ኣብ
ቅድሚ ኣሳን ኣብ ቅድሚ ይሁዳን ሰዐሮም፡ ኢትዮጵያንውን ከኣ ሀደሙ። [13] ኣሳን እቲ ምስኡ ዝነበረ
ህዝብን ድማ ክሳዕ ግራር ሰጐጒዎም፡ እቶም ኢትዮጵያውያን ከኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ኣብ
ቅድሚ ሰራዊቱን ተሰባበሩ እሞ፡ ካባታቶም ብህይወቱ ዜምልጥ ክሳዕ ዚሰኣኖም ወደቑ፡ ኣዝዩ ብዙሕ
ምርኮ ድማ ማረኹ። [14] ካብ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኦም ሽብር ኰነ እሞ፡ ኣብ ዙርያ ግራር ንዘለዋ
ኹለን ከተማታት ሰዐርወን። ኣባታተን ከኣ ብዙሕ ምርኮ ነበረ እሞ፡ ንኹለን እተን ከተማታት
ዘመትወን። [15] ድንኳውንቲ ኽብቲ እናፍረሱ ድማ፡ ብዙሓት ጤለ በጊዕን ኣግማልን ዘመቱ። ናብ
የሩሳሌም ከኣ ተመልሱ።

## ምዕራፍ 15

[1] ንዓዛርያ ወዲ ዖዴድ ከኣ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኡ መጸ። [2] ኣብ ቅድሚ ኣሳ ወጺኡ ድማ በሎ፡
ኣታ ኣሳን ብዘሎኹም ይሁዳን ብንያምን፡ ስምዑኒ፡ ንስኻትኩም ምስ እግዚኣብሄር እንተ ትኾኑስ፡ ንሱ
ምሳኻትኩም እዩ፡ እንተ ደሊኹምዎ ድማ፡ ይርከበልኩም እዩ፡ ንስኻትኩም እንተ ሓደግኩምዎ ግና፡

ንሱ ኸኣ ክሓድገኩም እዩ። [3] እስራኤልስ ነዊሕ ዘመን ብዘይ ኣምላኽ ሓቅን ብዘይ መሃሪ ካህንን ብዘይ
ሕግን ነበሩ። [4] ብጸበባኦም ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ተመሊሶም ምስ ደለይዎ ግና፡
ይርከበሎም ነበረ። [5] ኣብተን ሃገራት እቲኤን ንዚቕመጡ ዝነበሩ ኹሎም ብዙሕ ዕግርግር ነበረ እሞ፡
በተን ግዝያት እቲኤን ንዚመጽእ ኰነ ንዚኣቱ ሰላም ኣይነበረን። [6] ኣምላኽ ከኣ ብኹሉ ዓይነት ጸበባ
የዕገርግሮም ነበረ እሞ፡ ህዝቢ ምስ ህዝቢ፡ ከተማ ምስ ከተማ ንሓድሕዶም ተሳባበሩ። [7] ንስኻትኩም
ግና እቲ ዕዮኹም ዓስቡ ኺረክብ እዩ እሞ፡ ጽንዑ፡ ኣእዳውኩምውን ዘርጋሕጋሕ ኪብላ ኣይትሕደጉ። [8]
ኣሳ ድማ እዚ ቓላት እዝን ናይቲ ነብዩ ዖዴድ ትንቢትን ምስ ሰምዔ፡ ተብዔ እሞ ካብ ኲላ ሃገር
ይሁዳን ብንያምን ካብተን ኣብ ከረን ኤፍሬም ዝሐዘን ከተማታትን ጽያፍ ዘበለ ወገደ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ
ገበላ እግዚኣብሄር ዝነበረ መሰውኢ እግዚኣብሄር ከኣ ኣሐደሶ። [9] ድማ ንብዘለዉ ይሁዳን ብንያምን
ነቶም ካብ ኤፍሬምን ምናሴን ስምኦንን መጺኦም ምሳታቶም ዚነብሩ ዝነበሩ ስደተኛታትውን ኣከቦም።
እግዚኣብሄር ኣምላኹ ምስኡ ኸም ዘሎ ምስ ረኣዩ፡ ካብ እስራኤል ብዙሓት ናብኡ ተጸግዑ። [10] ሽዑ
ንሳቶም ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመቱ ንመንግስቲ ኣሳ በታ ሳልሰይቲ ወርሒ ኣብ የሩሳሌም
ተኣከቡ። [11] በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ካብቲ ዘምጽእዎ ምርኮ ሾብዓተ ሚእቲ ብዕራይን ሾብዓተ ሽሕ
በጊዕን ንእግዚኣብሄር ሰውኡሉ። [12] ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ብምሉእ ልቦምን ብኹሉ ነፍሶምን
ኪደልይዎስ ቃል ኪዳን ኣተዉ። [13] ድማ ንእሽቶ ኾነ ወይስ ዓብዩ፡ ሰብኣይ ኰነ ወይስ ሰበይቲ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ዘይደለዮ ዘበለ ኹሉ ይሙት። [14] ንእግዚኣብሄር ድማ ዓው ብዝበለ
ድምጺን እልልታን ብመለኸትን እምብልታን መሐሉሉ። [15] ብምሉእ ልቦም ምሒሎም ስለ ዝነበሩ ኸኣ፡
ብዘላ ይሁዳ በቲ ማሕላ ተሐጒሰት፡ ብምሉእ ፍቓዶም ድማ ደለይዎ፡ ንሱውን ተረኽበሎም።
እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ዙርያኦም ዕረፍቲ ሀቦም። [16] ንማዓካ ኣደ ንጉስ ኣሳ ድማ ናይ ኣስታርተ ጽዩፍ
ምስሊ ስለ ዝገበረት፡ ካብ መንግስታ ሰዐራ፡ ኣሳ ኸኣ ነቲ ምስሊ ቈሪጹን ጨፍሊቑን ኣብ ርባ ቄድሮን
ኣንደዶ። [17] እቲ በረኽቲ ግና ካብ እስራኤል ኣይተወገደን። ግናኸ ልቢ ኣሳ ምሉእ ዘመኑ ፍጹም ነበረ። [18]
ነቲ ኣቦኡ ዝቐደሶን ንሱ ዝቐደሶን ብሩርን ወርቅን ኣቓሑን ከኣ ናብ ቤት ኣምላኽ ኣእተዎ። [19] ክሳዕ
መበል ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመቱ ንመንግስቲ ኣሳ ኸኣ ውግእ ኣይነበረን።

# ምዕራፍ 16

[1] ንመንግስቲ ኣሳ ኣብ መበል ሰላሳን ሹድሽተን ዓመቱ ባዔሻ ንጉስ እስራኤል ናብ ይሁዳ ደዩቡ፡ ናብ
ኣሳ ንጉስ ይሁዳ ገለ ኺይወጽእን ከይኣቱን ምእንቲ ኪኽልክል፡ ንራማ ሰርሓ። [2] ሽዑ ኣሳ ኻብ መዛግብቲ
ቤት እግዛኣብሄርን ቤት ንጉስን ብሩርን ወርቅን ኣውጺኡ ነተ ኣብ ደማስቆ ዚነብር ዝነበረ ቤት ሃዳድ
ንጉስ ሶርያ ኸምዚ ኢሉ ሰደደሉ፡ [3] ኣብ መንገኘ ኣቦይን ኣቦኻን ከም ዝነበረ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኻን
ድማ ኪዳን ይኹን። እንሆ፡ ብሩርን ወርቅን ሰዲደልካ ኣሎኹ እሞ፡ ካባይ ምእንቲ ኪኸይድሲ፡ ኪድ ነቲ
ምስ ባዔሻ ንጉስ እስራኤል ዝኣቶኻዮ ኺዳን ኣፍርሶ። [4] ቤን ሃዳድ ከኣ ንንጉስ ኣሳ ሰሚዑ ሓላቑ ሰራዊቱ
ናብ ከተማታት እስራኤል ሰደደ፡ ንዕዮንን ንዳንን ንኣቤል ማይምን ንኹላን ናይ ንፍታሌም ከተማታት
መዛግብትን ድማ ሰዐረን። [5] ኰነ ኸኣ፡ ባዔሻ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ንራማ ምስርሓ ሐደገ፡ ነቲ ዕዮኡ ድማ
ገደፎ። [6] ሽዑ ንጉስ ኣሳ ንብዘላ ይሁዳ ወሲዱ ነቲ ባዔሽ ዚሰርሓሉ ዝነበረ ናይ ራማ ኣእማንን ኣዕጫውን
ኣልዐሎ እሞ፡ ብእኡ ገይሩ ንጌባዕን ንሚጽጳን ሰርሔን። [7] በቲ ጊዜ እቲኣ ሃናኒ እቲ ረኣዩ ናብ ኣሳ ንጉስ
ይሁዳ መጺኡ በሎ፡ ኣብ ንጉስ ሶርያ ስለ እተመርኰስካ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ግና ስለ

ዘይተመርኰስካ። ስለዚ እቲ ሰርዊት ንጉስ ሶርያ ኻብ ኢድካ መለቘ። 8 ኢትዮጵያውያንን ልብያውያንንዶ
ግዳ ምስ ኣዝዩ ብዙሕ ሰረገላትትን ፈረሰኛታትን ዓብዪ ሰራዊት ኣይነበሩን ኣብ እግዚኣብሄር ስለ
እተመርኰስካ ግና፡ ንኣታቶም ኣብ ኢድካ ሀበካ። 9 ነቶም ፈጺሙ ልቦም ናብኡ ዚጽጋዕ ምእንቲ
ኼጽንዖምሲ፡ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ናብ ብዘላ ምድሪ እየን ዚዞራ። በዝስ ዕሽነት ኢኻ ዝገበርካ፡ ስለዚ
ድማ ካብ ሕጂ ጀሚሩ ውግእ ኪለዐለካ እዩ። 10 በዚ ነገር እዚ ግና ኣሳ ተናደደ እሞ ነቲ ረኣዪ ኈረየሉ፡
ናብ ቤት ማእሰርቲ ኸኣ ኣእተዎ። በታ ጊዜ እቲኣ ድማ ኣሳ ንገለ ኻብቶም ህዝቢ ገፍዖም። 11 እንሆ
ድማ፡ ግብርታት ኣሳ እቲ ቐዳማይን ዳሕራይን እንሆ፡ ንሱ ኣብቲ መጽሓፍ ነገስታት ይሁዳን እስራኤልን
ተጽሒፉ ኣሎ። 12 ኣሳ ኸኣ ኣብ መበል ሰላሳን ትሽዓተን ዓመት መንግስቱ ኣእጋሩ ሐመመ፡ እቲ ሕማሙ
ኣዝዩ ብርቱዕ ኰነ። በቲ ሕማሙ ግና ንሓኪማት እምበር፡ ንእግዚኣብሄር ኣይደለዮን። 13 ኣሳ ድማ ምስ
ኣቦታቱ ደቀሰ እሞ፡ ኣብ መበል ኣርብዓን ሓደ ዓመት መንግስቱ ሞተ። 14 ኣብቲ ኣብ ከተማ ዳዊት
ንርእሱ ዘውቀሮ መቓብሩ ኸኣ ቀበርዎ። ብብልሓት ገባር ሽቱ እተገብረ ጥዑም ዝጨናኡ ሽቱን በበይኑ
ዓይነት ቀመማትን ኣብ ዝመልኤት ዓራት ድማ ኣንበርዎ፡ ዓብዪ ምሕራር ከኣ ኣሕረሩሉ።

# ምዕራፍ 17

1 ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ዮሳፋጥ ነገሰ። ንእስራኤልውን በርትዖም። 2 ኣብ ኲለን እተዐርዳ ኸተማታት
ይሁዳ ድማ ወትሃደራት፡ ኣብ ሃገር ይሁዳን ኣብተን ኣቦኡ ኣሳ ዝሐዘን ከተማታት ኤፍሬምን ሓለውቲ
ኣቐመጠ። 3 ዮሳፋጥ ድማ በተን ቀዳሞት መገድታት ኣቦኡ ዳዊት ይኸይድ ነበረ፡ ነቶም በዓላት ከኣ
ኣይደለዮምን እሞ፡ እግዚኣብሄር ምስኡ ነበረ። 4 ነቲ ኣምላኽ ኣቦኡ ደኣ ደለዮ፡ ብትእዛዛቱ ኸኣ ከደ
እምበር፡ ከም ግብርታት እስራኤል ኣይከደን። 5 ስለዚ እግዚኣብሄር ነታ መንግስቲ ኣብ ኢዱ ኣጽንዓ፡
ብዘለዉ ይሁዳ ድማ ንዮሳፋጥ ገጽ በረኸት ሀብዎ፡ ሃብትን ክብረትን ከኣ በዝሓሉ፡ 6 ልቡ ብመገድታት
እግዚኣብሄር ምስ ተብዔ፡ ነቲ በረኽትን ኣስታርቴታትን ከኣ ካብ ይሁዳ ኣርሐቐ። 7 ኣብታ ሳልሰይቲ
ዓመት ግዝኣቱ ኸኣ ንመኳንንቱ፡ ቤት ሓዪልን ዖባድያን ዘካርያስን ንታንኤልን ሚካያን ኣብ ከተማታት
ይሁዳ ኺምህሩ ሰደዶም። 8 ምሳታቶም ድማ ነቶም ሌዋውያን፡ ሸማዕያን ነታንያን ዘባድያን ዓሳሄልን
ሸሚራሞትን ዮናታንን ኣዶንያን ጦብያን ጦብ ኣዶንያን፡ እቶም ሌዋውያን፡ ምሳታቶም ከኣ እቶም
ካህናት፡ ኤሊሻማዕን ዮራምን፡ ሰደደ። 9 መጽሓፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ሒዞም ድማ ኣብ ይሁዳ መህሩ፡
ኣብ ኲለን ከተማታት ይሁዳ ዞይሮም ከኣ ነቲ ህዝቢ ይምህሩ ነበሩ። 10 ኣብ ልዕሊ ኹለን መንግስትታት
ኣብተን ኣብ ዙርያ ይሁዳ ዝነበራ ሃገራት ድማ ፍርሃት እግዚኣብሄር ኰነ እሞ፡ ምስ ዮሳፍጥ
ኣይተዋግኡን። 11 ካብቶም ፍልስጥኤማውያን ከኣ ገሊኦም ንዮሳፋጥ ገጽ በረኸት ኣምጽኡሉ፡ ብሩርውን
ገበሩሉ፡ ዓረባውያን ድማ ጤለ በጊዕ፡ ሾብዓተ ሽሕን ሚእትን ድዑል፡ ሾብዓተ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን
ከኣ ምኩት ኣምጽኡሉ። 12 ዮሳፋጥ ከኣ ኣዝዩ ልዕል ክሳዕ ዚብል እናዐበየ ኸደ፡ ኣብ ይሁዳ ድማ
ዕርድታትን ከተማታት መዛግብትን ሰርሔ። 13 ኣብ ከተማታት ይሁዳ ኸኣ ብዙሕ ዕዮታት ነበሮ፡ ኣብ
የሩሳሌም ድማ ተዋጋእቲ ሰባት፡ ሓያላት ጀጋኑ ነበርዎ። 14 ቍጽሮም በብማይ ቤት ኣቦታቶም ከኣ እዚ
እዩ፡ ናይ ይሁዳ ሓላቑ ኣሽሓት፡ ዓድና እቲ ሓለቓ፡ ምስኡ ድማ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ሓያላት ጀጋኑ፡ 15
ድሕሪኡ ኸኣ ዮሓናን እቲ ሓለቓ፡ ምስኡውን ክልተ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ፡ 16 ድሕሪኡ ድማ እቲ ርእሱ
ብፍታዉ ንእግዚኣብሄር ዝወፈየ ኣማስያ ወዲ ዚክሪ፡ ምስኡ ኸኣ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ሓያላት ጀጋኑ፡ 17
ካብ ብንያም ድማ እቲ ሓያል ጅግና ኤልያዳዕ፡ ምስኡውን ቀስትን ዋልታን ዝሐዙ ኽልተ ሚእቲ ሽሕ፡

18 ድሕሪኡ ድማ ዮዛባድ፡ ምስኡ ኸኣ ሚእትን ሰማንያን ሽሕ ንውግእ እተዳለዉ፡ 19 ብዘይ እቶም እቲ
ንጉስ ኣብተን ዕሩዳት ከተማታት ኣብ ብዘላ ይሁዳ ዘቐመጦም፡ ነቲ ንጉስ ዜገልግልዎ ዝነበሩ እዚኣቶም
እዮም።

# ምዕራፍ 18

1 ዮሳፉጥ ድማ ብዙሕ ሃብትን ክብረትን ነበሮ። ምስ ኣከኣብ ከኣ ተዋሰበ። 2 ድሕሪ ገለ ዓመታት ከኣ
ናብ ኣከኣብ ናብ ሰማርያ ወረደ። ኣከኣብ ድማ ንእኡን ነቲ ምስኡ ዝነበረ ህዝብን ብዙሓት ኣባጊዕን
ኣላሕምን ሓረደሎም። ናብ ራሞትጊልዓድ ምስኡ ኺርይብ ከኣ ሓባበሎ። 3 ሽዑ ኣከኣብ ንጉስ እስራኤል
ንዮሳፉጥ ንጉስ ይሁዳ፣ ናብ ርሞትጊልዓድ ምሳይ ክትከይድዶ ትደሊ ኢኻ በሎ። ንሱ ድማ፣ ኣነ ኸማኻ
እዩ፣ ህዝበይ ከኣ ከም ህዝብኻ እዩ፣ ናብቲ ውግእውን ምሳኻ እኸይድ፣ በሎ። 4 ዮሳፉጥ ግና ንንጉስ
እስራኤል፣ በጃኻ፣ ሎሚ ንቓል እግዚኣብሄር ደኣ ሕተት፣ በሎ። 5 ሽዑ ንጉስ እስራኤል ነቶም ነብያት፣
ኣርባዕተ ሚእቲ ሰብ፣ ኣኪቡ፣ ናብ ራሞትጊልዓድ ንውግእ ክንከይድዶ ወይስ ክተርፍ በሎም። ንሳቶም
ከኣ፣ ደይብ ደኣ ኣምላኽ ድማ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሕሊፉ ኺህባ እዩ፣ በሉ። 6 ዮሳፉጥ ከኣ፣ ገናዶ እንሓቶ
ነብዩ እግዚኣብሄር ኣብዚ አልቦን በለ። 7 ንጉስ እስራኤል ከኣ ንዮሳፉጥ፣ ብእኡ ጌርና ንእግዚኣብሄር
እንሓቶ ገና ሓደ ሰብኣይ እባ ኣሎ፣ ንሱ ኸኣ ሚክያስ ወዲ ዩምታ እዩ። ግናኸ ንሱ ንኣይ ኵሉሳዕ ክፉእ
እምበር፣ ጽቡቕ ኣንበየለይን እዩ፣ ኣነ እጸልእ እየ፣ በሎ። ዮሳፉጥ ግና፣ ንጉስ ከምኡ ኣይዛረብ፣ በለ። 8
ሽዑ ንጉስ እስራኤል ንሓደ ስሉብ ጸዊዑ፣ ንሚክያስ ወዲ ዩምላ ቐልጢፍካ ኣምጽኣዮ፣ መለ። 9 እቲ
ንጉስ እስራኤልን ዮሳፉጥ ንጉስ ይሁዳን ለልብሰ መንግስቶም ተኸዲኖም ኣብ ዘዝፋኖም ተቐመጡ፣ ኣብ
ኣፍ ደገ ሰማርያ ኣብ ዘሎ ኣደባባይ ተቐሚጦም ነበሩ። ኵሎም እቶም ነብያት ድማ ኣብ ቅድሚኦም
ኰይኖም ይንበዩ ነበሩ። 10 ጼድቅያስ ወዲ ከናዓና ኸኣ ኣቕርንቲ ሓጺን ሰሪሑ፣ እግዚኣብሄር፣
ንሶርያዉያን ክሳዕ ዚውድኡ በዚኣተን ክትወግኦም ኢኻ፣ ይብል ኣሎ፣ በሎ። 11 ኵሎም ነብያት ድማ
ከምኡ፣ ናብ ራሞትጊልዓድ ደይብ፣ ኪቐንዓካ ኸኣ እዩ፣ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሕሊፉ
ኺህባ እዩ፣ ኢሎም ይንበዩ ነበሩ። 12 እቲ ንሚክያስ ኪጽውዖ ዝኸደ ልኡኽ ከኣ፣ እንሆ፣ እቶም ነብያት
ከም ሓደ ኣፍ ኰይኖም ነቲ ንጉስ ጽቡቕ ይዛረቡሉ ኣለዉ፣ ዘረባኻ ድማ፣ በጃኻ፣ ከም ሓደ ኻባታቶም
ይኹን እሞ ጽቡቕ ተዛረብ፣ ኢሉ ተዛረቦ። 13 ሚክያስ ግና፣ እቲ ኣምላኸይ ዚብሎ ንእኡ ኸም ዝዛረቦ፣
ህያው እግዚኣብሄር እዩ፣ በሎ። 14 ናብ ንጉስ ምስ መጸ ድማ፣ እቲ ንጉስ፣ ኣታ ሚክያስ፣ ንራሞት ጊልዓድ
ኬድናዶ ኽንዎጋእ ወይድ ክተርፍ በሎ። ብሱ ኸኣ፣ ደይብ፣ ኪቐንዓካ ድማ እዩ፣ ንሳቶም ከኣ ኣብ
ኣእዳውኩም ኪወሀቡ እዮም፣ መሎ። 15 እቲ ንጉስ ድማ፣ ብስም እግዚኣብሄር ሓቂ ጥራይ እምበር፣ ካልእ
ከይትዛረበኒ፣ ኣነ ክንደይ ሳዕ ከምሕለካ እየ በሎ። 16 ንሱ ኸኣ በለ፣ ንብዘለዉ እስራኤል ጓሳ ኸም
ዜብለን ኣባጊዕ ኣብ ኣኽራን ፋሕ ኢሎም ርኤኽዎም። እግዚኣብሄር ድማ፣ እዚኣቶም ጐይታ የብሎምን፣
ነፍሲ ወከፍ ብሰላም ነናብ ቤቱ ይመለስ፣ በለ። 17 እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ ንዮሳፉጥ፣ እዚ ንኣይ ክፉእ
እምበር፣ ጽቡቕሲ ኣይንበየለይን እዩዶ ኣይበልኩኻን በሎ። 18 ሚክያስ ድማ በለ፣ ስለዚ ቓል
እግዚኣብሄር ስምዑ። እግዚኣብሄር ኣብ ዝፋኑ ተቐሚጡ ብዘሎ ሰራዊት ሰማይ ከኣ ብየማኑን
ብጸጋሙን ቈይሞም ርኤኹ። 19 እግዚኣብሄር ድማ፣ ንኣከኣብ ንጉስ እስራኤል ናብ ራሞትጊልዓድ ደዩቡ
ኣብኣ ኺወድቕሲ፣ መን ይሓባብሎ በለ። ሽዑ ሓደ ከምዚ በለ፣ ሓደ ድማ ከምቲ በለ። 20 ሽዑ ሓደ
መንፈስ ወጺ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣሄር ደው ኢሉ ድማ፣ ኣነ ኽሓባብሎ፣ በለ። እግዚኣብሄር ከኣ፣

ብምንታይ ጌርካ በሎ። 21 ንሱ ድማ፣ ወጺኤ ኣብ ኣፍ ኵሎም ነብያቱ ሓሳዊ መንፈስ ክኸውን እየ፣ በለ።
እግዚኣብሄር ከኣ፣ ንስኻስ ትሓባብሎ ኢኻ፣ ትኽእሎ ድማ፣ ወጺእካ ኸምኡ ግበር፣ በሎ። 22 ሕጂ ድማ፣
እንሆ፣ ኣብ ኣፍ እዞም ነብያትካ እዚቶም እግዚኣብሄር ሓሳዊ መንፈስ ሂብዎም ኣሎ። ኣብ ልዕሌኻ ኸኣ
እግዚኣብሄር ክፉእ ተዛሪቡ ኣሎ። 23 ሽዑ ጼድቅያስ ወዲ ከናዓና ቐሪቡ ንሚክያስ ኣብ ምዕጉርቱ ጸፍዖ
እሞ፣ እቲ መንፈስ እግዚኣብሄርሲ ንዓኻ ኺዛረብ በየናይ መገዲ እዩ ኻባይ ዝሓለፈ በሎ። 24 ሚክያስ
ከኣ፣ እንሆልካ፣ በታ ንምሕባእ ካብ ውሻጠስ ናብ ውሻጠ እትኣትወላ መዓልቲ ክትርኢ ኢኻ፣ በለ። 25
እቲ ንጉስ እስራኤል ድማ በለ፣ ንሚክያስ ሒዝኩም ናብ ኣሞን ሹም እታ ኸተማን ናብ ዮኣስ ወዲ
ንጉስን ምለስዎ፣ 26 በሉ ኸኣ፣ ንጉስ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣነ ብሰላም ክሳዕ ዝምለስ፣ ነዚ ናብ ቤት
ማእሰርቲ ኣእትውዎ፣ እንጌራ መከራን ማይ መከራን ከኣ መግብዎ። 27 ሚክያስ ድማ መለሰሉ፣ ብሰላም
እንተ ተመሊስካ፣ እግዚኣብሄር ብኣይ ኣይተዛረበን እዩ። ኣቱም ህዝብታት፣ ኵላትኩም ስምዑ፣ ከኣ በለ።
28 ከምኡ ኸኣ እቲ ንጉስ እስራኤልን ዮሳፍጥ ንጉስ ይሁዳን ናብ ራሞትጊልዓድ ደየቡ። 29 እቲ ንጉስ
እስራኤል ድማ ንዮሳፍጥ፣ ኣነ ኽዳውንተይ ለዊጠ ናብ ውግእ ክኣቱ እየ፣ ንስኻ ግና ክዳውንትኻ
ተኸደን፣ በሎ። እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ ክዳውንቱ ለዊጡ ናብ ውግእ ኣተወ። 30 እቲ ንጉስ ሶርያ ኸኣ
ንሓላቑ ሰረገላታቱ፣ ንንጉስ እስራኤል ጥራይ ደኣ እምበር፣ ምስ ንእሽቶ ኾነ ምስ ዕብዩ ኣይትዋግኡ፣
ኢሉ ኣዘዞም። 31 ኰነ ድማ፣ እቶም ሓላቑ ሰረገላታት ንዮሳፍጥ ምስ ረኣይዎ፣ ንሱ ንጉስ እስራኤል እዩ፣
በሉ፣ ኪዋግእዎ ኸኣ ናብኡ ዞሩ። ዮሳፍጥ ግና ጨርሔ፣ እግዚኣብሄር ድማ ረድኦ፣ ኣምላኽ ከኣ ካብኡ
ኣግለሶም፣ 32 ኰነ ድማ፣ እቶም ሓላቑ ሰረገላታት ንሱ ንጉስ እስራኤል ከም ዘይኮነ ምስ ረኣዩ፣ ካብ
ምስጓጉ ተምልሱ። 33 ግናኸ ሓደ ሰብኣይ ቀስቱ ገቲሩ ናብ ዝወረደት ትውረድ ሰደዳ እሞ፣ ነቲ ንጉስ
እስራኤል በታ መጋጠሚ ድርዒ ወግኦ። ሽዑ ንሱ ነቲ ብዓል ሰረገላ፣ ተወጊኤ እየ እሞ፣ ኢድካ ምለሳ፣
ካብዛ ሰልፊ ኣውጽኣኒ፣ በሎ። 34 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ እቲ ውግእ በርትዔ፣ እቲ ንጉስ እስራኤል ከኣ
ኣብ መንጽር ሶርያውያን ኰይኑ ኽሳዕ ምሸት ኣብቲ ሰረገላ ደው ኢሉ ነበር። ጸሓይ ክትዓርብ ከላ ኸኣ
ሞተ።

## ምዕራፍ 19

1 ዮሳፍጥ ንጉስ ይሁዳ ግና ብሰላም ናብ ቤቱ ናብ የሩሳሌም ተመልሰ። 2 እቲ ረኣዪ የሁ ወዲ ሓናኒ ኸኣ
ኪራኽቦ ወጸ። ንንጉስ ዮሳፍጥ ድማ በሎ፡ ንረሲእዶ ኽትሕግዞ፡ ነቶም ንእግዚኣብሄር ዚጸልእዎኽ
ኽትፈትዎም ኢኻ በዚ ነገር እዚ ኻብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኲራ ኣብ ልዕሌኻ ኣሎ። 3 ግናኸ ካብዛ ሃገር
እዚኣ ንኣስታርተታት ኣርሒቕካ፡ ንልብኻውን ናብ ምድላይ ኣምላኽ መሊስካዮ ኢኻ እሞ፡ ጽቡቕ ነገር
ተረኺቡካ ኣሎ። 4 ዮሳፍጥ ድማ ኣብ የሩሳሌም ተቐመጠ፡ መሊሱ ኸኣ ካብ ብኤር ሸባዕ ሒዙ ኽሳዕ
ከረን ኤፍሬም ናብ መንጎ ህዝቢ ወጸ፡ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ከኣ መለሶም። 5 ኣብታ ሃገር
ድማ፡ ኣብ ኩለን እተዐርዳ ኸተማታት ይሁዳ፡ ኣብ ከተማ ፈረድቲ ኣቐመጠ። 6 ነቶም ፈረድቲውን
በሎም፡ ነቲ እትገብርዎ ዘበለ ጠምቱ፡ ናይ እግዚኣብሄር እምበር፡ ናይ ሰብ ኣይኰነን እትፈርዱ ዘሎኹም
እሞ፡ ንሱ ኸኣ በቲ ናይ ፍርዲ ነገር ምሳኻትኩም እዩ። 7 እምበኣርስኸ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሀሉኹም፡
ተጠንቀቕኩም ግበርዎ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽናስ ዓመጻን ኣድልዎ ገጽን ምቕባል መማለጃን የልቦን።
8 ዮሳፍጥ ድማ ኣብ የሩሳሌም ብናይ እግዚኣብሄር ፍርድን ኣብ ባእስን ኪፈርዱ፡ ካብ ሌዋውያንን
ካህናትን ካብቶም ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት እስራኤልን ፈረድቲ ሾመ። ናብ የሩሳሌም ከኣ ተመልሱ። 9

ከምዚ ኢሉ ድማ ኣዘዞም፡ ከምዚ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ብእምነትን ብፍጹም ልብን ዕየዩ። [10] ካብቶም
ኣብ ከተማታቶም ዚነብሩ ኣሕዋትኩም ብዚመጸኩም ዘበለ ነገር ድማ፡ ንእግዚኣብሄር ከይብድሉ እሞ፡
ኣብ ልዕሌኹምን ኣብ ልዕሊ ኣሕዋትኩምን መዓት ከይመጽእ፡ ብናይ ደምን ደምን፡ ብናይ ሕግን
ትእዛዝን ስርዓታትን ፍርድታትን ምዐድዎም። ከምኡ ግበሩ እሞ በደልቲ ኣይክትኮኑን ኢኹም። [11]
እንሆ ድማ፡ በቲ ናይ እግዚኣብሄር ዘበለ ኹሉ ነገር እቲ ሊቀ ኻህናት ኣማርያ፡ በቲ ናይ ንጉስ ዘበለ
ኹሉ ነገርውን እቲ መስፍን ቤት ይሁዳ ዘባድያ ወዲ እስማኤል ኣብ ልዕሌኹም ኣለዉ። ጽኑዓት ኩኑ
ግበርዎ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ድማ ምስቲ ገባር ጽቡቕ ይኹን።

## ምዕራፍ 20

[1] ኰነ ኸኣ፡ ድሕሪ እዚ ደቂ ሞኣብን ደቂ ዓሞንን፡ ምሳታቶም ድማ ካብቶም ዓሞናውያንን ንዮሳፋጥ
ኪወግእዎ መጹ። [2] ዮሳፋጥ ከምዚ ኢሎም ዚነግርዎ ሰብ ከኣ መጹ፡ ካብ ማዕዶ ባሕሪ ኻብ ሶርያ ብዙሕ
ሰራዊት ይመጸካ ኣሎ፡ እነዉ ድማ፡ ኣብ ሓጸጾን ታማር ኣለዉ፡ ንሳዔን ገዲ እያ። [3] ሽዑ ዮሳፋጥ ፈርሄ
እሞ ንእግዚኣብሄር ኪደልዮ ገጹ መለሰ፡ ኣብ ብዘሎ ይሁዳውን ጾም ኣወጀ። [4] ይሁዳ ኸኣ ረዲኤት ካብ
እግዚኣብሄር ኪደሊ ተኣከበ፡ እወ፡ ካብ ኩለን ከተማታት ይሁዳ ንእግዚኣብሄር ኪደልይዎ መጹ። [5]
ዮሳፋጥ ድማ ኣብታ ናይ ይሁዳን ናይ የሩሳሌምን ማሕበር፡ ኣብታ ቤት እግዚኣብሄር፡ ኣብ ቅድሚ እቲ
ሓድሽ ኣጸድ ደው በለ፡ [6] በለ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትና፡ ንስኻዶ ኣይኰንካን ኣምላኽ
ሰማይ እቲ ንኹለን መንግስትታት ኣህዛብ ዚገዝእ ድማ ኣይንስኻን ዲኻ ሓይልን ስልጣንን ከኣ ኣብ
ኢድካ እዩ እሞ፡ ኪቃወመካ ዚኽእል የልቦን። [7] ዎ ኣምላኽና፡ ነቶም ኣብዛ ሃገር እዚኣ ተቐሚጦም
ዝነበሩ፡ ካብ ቅድሚ ህዝብኻ እስራኤል ዘባረርካዮም፡ ንእኣ ኸኣ ንዘርኢ ኣብርሃም ፈታዊኻ ንዘለኣለም
ዝሀብካዮም ንስኻዶ ኣይኰንካ [8] ኣብኣ ድማ ተቐመጡ፡ ኣብኣውን ንስምካ መቕደስ ሰርሑ። ከምዚ ኸኣ
በሉ፡ [9] ኣብ ልዕሌና ኽፉእ እንተ መጸ፡ ሴፍ፡ፍርዲ ወይ ፌራ ወይ ጥሜት፡ ሽዑ ኣብ ቅድሚ እዛ ቤት
እዚኣን ኣብ ቅድሜኻን ደው ክንብል ኢና፡ ስምካስ ኣብዛ ቤት እዚኣ እዩ እሞ፡ ብመከራና ናባኻ
ኽንምህለል ኢና። ንስኻ ኸኣ ሰሚዕካ ኸተድሕነና ኢኻ። [10] ሕጂ ኸኣ፡ እንሆ፡ ደቂ ዓሞንን ሞኣብን ከረን
ሰዒርን፡ ንእስራኤል፡ ካብ ምድሪ ግብጺ ኺወጹ ኸለዉ፡ ብኣታቶም ኪኣትዉ ዘይፈቐድካሎም፡ ንሳቶም
ግና ካብኦም ዘይሮም ዘየጥፍእዎም፡ [11] እንሆ፡ ንሳቶም ካብዛ ዘረስቴኻና ርስትኻ ኺውጽኡና
ብምምጻኦም ከመይ ዝበለ ውሬታ ይመልሱልና ኣለዉ። [12] ዎ ኣምላኽና፡ ኣይትፈርዶምን ዲኻ ንሕናስ
ኣብ ቅድሚ እዚ ዚመጸና ዘሎ ዓብዪ ጭፍራ ሓይሊ የብልናን፡ እንታይ ከም እንገብር ከኣ ኣይንፈልጥን
ኢና፡ ኣዒንትና ግና ናባኻ ይጥምታ ኣለዋ። [13] ብዘለዉ ይሁዳ ኸኣ ምስ ሕጻናቶምን ኣንስቶምን ደቆምን
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ደው ኢሎም ነበሩ። [14] ሽዑ ኣብ ማእከል እታ ማሕበር ናብ ልዕሊ ያሓዚኤል
ወዲ ዘካርያስ፡ ወዲ በናያ፡ ወዲ የዒኤል፡ ወዲ ማታንያ፡ እቲ ሌዋዊ ኻብ ደቂ ኣሳፍ፡ መንፈስ
እግዚኣብሄር መጸ። [15] ንሱ ድማ በለ፡ ኣቱም ሰብ ኩላ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም እትነብሩን፡ ንስኻ ንጉስ
ዮሳፋጥውን፡ ስምዑ። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብለኩም ኣሎ፡ እቲ ውግእ ናይ ኣምላኽ እዩ እምበር፡
ናታትኩም ኣይኰነን እሞ፡ ኣብ ቅድሚ እዚ ዓብዪ ጭፍራ እዚ ኣይፍርሁን ኣይትሸበሩን። [16] ጽባሕ
ውረድዎም፡ እንሆ፡ በቲ ዓቐበት ጺጽ ይድይቡ ኣለዉ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ በረኻ የሩኤል፡ ኣብ ወሰን እቲ
ለሰ ድማ ክትረኽብዎም ኢኹም። [17] ኣቱም ይሁዳን የሩሳሌምን፡ ንስኻትኩምሲ ኣብዚ ኣይክትዋግኡን
ኢኹም፡ ንቕድሚት ኣቢልኩም ደኣ ደው በሉ እሞ፡ እቲ ምድሓን እግዚኣብሄር ምሳኻትኩም ከም ዘሎ

ርኣዩ፡ ኣይትፍርሁን ኣይትሸበሩን ከኣ። ጽባሕ ናብ ቅድሚኦም ዉጹ። እግዚኣብሄር ድማ ምሳኻትኩም እዩ። [18] ሽዑ ዮሳፋጥ ብገጹ ናብ ምድሪ ፍግም በለ፡ ብዘለዉ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም ዚቕመጡ ዝነበሩን ከኣ ንእግዚኣብሄር ኪሰግዱሉ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ብገጾም ተደፍኡ። [19] እቶም ሌዋውያን ካብ ደቂ ቀሃታውያንን ካብ ደቂ ቆራሓውያንን ድማ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኣዝዩ ዓው ብዝበለ ድምጺ ኺመስግንዎ ተንስኡ። [20] ንጽባሒቱ ኸኣ ኣንጊሆም ተንሲኦም፡ ናብቲ በረኻ ተቆዓ ወጹ። ኪወጹ ኸለዉ ድማ፡ ዮሳፋጥ ደው ኢሉ በሎም፡ ኣቱም ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም እትነብሩን፡ ስምዑኒ፡ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እመኑ እሞ ጽኑዓት ክትኰኑ ኢኹም፡ ብነብያቱውን እመኑ እሞ ጽኑዓት ክትኰኑ ኢኹም፡ ብነብያቱውን እመኑ እሞ ኪቕንዓኩም እዩ። [21] ምስቶም ህዝቢ ምስ ተማኸረ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሄር ዚዝምሩንቅዱሳት ኣልባስ ለቢሶም ድማ ቀቅድሚ ሰራዊት ኪወጹ ኸለዉ፡ ዜመስግንዎን ሰባት ኣቘመ፡ ንሳቶም ከኣ ከምዚ ኺብሉ እዮም፡ ምሕረቱ ንዘለኣለም እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኣመስግንዎ። [22] ኪዝምሩን ኪውድሱን ምስ ጀመሩ ኸኣ ነቶም ናይ ይሁዳ ኢሎም ዝመጹ ደቂ ዓሞንን ሞኣብን ነቶም ናይ ከረን ሰዒርን እግዚኣብሄር ድቡቓት ኣምጽኣሎም እሞ፡ ተሳዕሩ። [23] እቶም ደቂ ዓሞንን ሞኣብንሲ ነቶም ኣብ ከረን ሰዒር ዚነብሩ ኪቐትልዎምን ኬጥፍእዎምን ተንስኡ፡ ነቶም ኣብ ሰዒር ዚነብሩ ምስ ወድእዎም ድማ፡ ንሓድሕዶም ኪጣፋፍኡ ተሓጋገዙ። [24] ይሁዳ ድማ ናብቲ ናይ በረኻ ግምቢ ዘብዔኛ ምስ መጹ፡ ገጾም ናብቲ ጭፍራ ኣበሉ፡ እንሆ ድማ፡ ሓደ እኳ ኸይመለቑ ናብ ምድሪ ዝወደቑ ሬሳታት ኰኑ። [25] ዮሳፋጥን ህዝቡን ነቲ ምርኮኦም ኪገፉ ምስ መጹ ኸኣ፡ ኣብ መንጎ እቶም ሬሳታት ብዙሕ ሃብቲ፡ ገንዘብን ክቡር ኣቓሑን፡ ረኸቡ፡ ምጽዋሩ ኽሳዕ ዚስእኑ ንርእሶም ሐፈሱ፡ እቲ ምርኮ ብዙሕ ነበረ እሞ፡ ሰለስተ መዓልቲ ኺገፍዎ ወዐሉ። [26] በታ ራብዐይቲ መዓልቲ ድማ ኣብ ለሰ በራካ ተኣከቡ፡ ኣብኣ ንእግዚኣብሄር ባረኽዎ፡ ስለዚ ስም እታ ቦታ እቲኣ ኽሳዕ ሎሚ ለሰ በራካ ኢሎም ይሰምይዋ ኣለዉ። [27] ሽዑ እግዚኣብሄር ኣብቶም ጸላእቶም ኣሐጒስዎም ነበረ እሞ፡ ናብ የሩሳሌም ብሓጐስ ኪምለሱስ፡ ኲሎም ሰብ ይሁዳን የሩሳሌምን፡ ዮሳፋጥ ቀቅድሚኦም እናኸደ፡ ተመልሱ። [28] ብመሰንቆን ብበገናን ብመለኸትን ድማ ናብ የሩሳሌም ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣተዉ። [29] ኲሎም መንግስትታት ሃገራት ድማ ነቶም ጸላእቲ እስራኤል፡ እግዚኣብሄር ከም ዝወግኦም ምስ ሰምዑ፡ ፍርሃት ኣምላኽ ኣብ ልዕሊኦም ኰነ። [30] መንግስቲ ዮሳፋጥ ከኣ ሀድኤት፡ ኣምላኹ ድማ ኣብ ዙርያኡ ዕረፍቲ ሀቦ። [31] ዮሳፋጥ ኣብ ልዕሊ ይሁዳ ነገሰ። ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ኸኣ ዓዙባ ነበረ፡ ንሳ ጓል ሺልሒ እያ። [32] ብመገዲ ኣቦኡ ኣሳ ድማ ኸደ፡ ነቲ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ዝኾነ ምግባር ካብኡ ኣየግለሰን። [33] ግናኸ እቲ በረኽቲ ኣይተወገደን ነበረ፡ እቶም ህዝቢውን ገና ልቦም ናብ ኣምላኽ ኣቦታቶም ኣየቕንዑን ነበሩ። [34] እቲ ዝተረፈ ናይ ዮሳፋጥ ግብሪ፡ እቲ ቐዳማይን እቲ ዳሕራይን፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብቲ ኣብ ዩ ወዲ ሓናኒ ተጻሒፉ ኣሎ። [35] ድሕርዚ ግና ዮሳፋጥ ንጉስ ይሁዳ ምስቲ ረሲእነት ዝግብሩ ኣሓዝያ ንጉስ እስራኤል ተሓባበረ። [36] ንተርሲስ ዚኸዳ መራኽብ ኪሰርሑ ምስኡ ሐበረ። ኣብ ዔጽዮን ጋበር ከኣ መራኽብ ሰርሑ። [37] ሽዑ ኤሊዔዘር፡ ወዲ ዶዳባሁ ብዓል ማረሻ፡ ኣብ ልዕሊ ዮሳፋጥ፡ ምስ ኣሓዝያ ሰለ ዝሐበርካ፡ እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ስራሕካ ኼፍርሶ እዩ፡ ኢሉ ተነበየሉ። እተን መራኽብ ከኣ ተሰብራ እሞ፡ ንተርሲስ ኪኸዳ ኣይከኣላን።

# ምዕራፍ 21

1 ዮሳፉጥ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ዳዊት ከኣ ምስ ኣቦታቱ ተቐብረ። ኣብ ክንዳኡ ድማ
ወዱ ዮራም ነገሰ። 2 ኣሕዋት ከኣ ደቂ ዮሳፉጥ ነበርዎ፡ ዓዛርያን የሒኤልን ዘካርያስን ዓዛርያሁን
ሚካኤልን ሽፉጥያን፡ እዚኣብቶም ኲሎም ደቂ ዮሳፉጥ ንጉስ እስራኤል ነበሩ። 3 ኣቦኦም ድማ ብዙሕ
ህያባት፡ ብሩርን ወርቅን ክቡር ዘበለ ነገርን ምስተን ኣብ ይሁዳ ዝነበራ ዕሩዳት ከተማታት ሀቦም፡
ንዮራም ግና፡ ንሱ በዅሪ ነበረ እሞ፡ እታ መንግስቲ ንእኡ ሀቦ። 4 ዮራም ከኣ ኣብታ መንግስቲ ኣቦኡ
ደዪቡ ምስ ጸንዔ፡ ንዅሎም ኣሕዋቱን ንገሊኦም ካብ ሓላቖ እስራኤልን ብሴፍ ቀተሎም። 5 ዮራም
ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ሰላሳን ክልተን ዓመት ነበረ። ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሾሞንተ ዓመት ገዝኤ። 6 ግናኸ፡
ሰበይቱ ጓል ኣከኣብ ነበረት እሞ፡ ከምቲ ቤት ኣከኣብ ዝገበርዎ፡ ብመገዲ ነግስታት እስራኤል ከደ፡ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 7 እግዚኣብሄር ግና፡ ምእንቲ እቲ ምስ ዳዊት ዝኣተዎ ኺዳንን ከምቲ
ንእኡን ንደቁን ንሓዋሩ መብራህቲ ኺህቦም ዝበለን፡ ነታ ቤት ዳዊት ኬጽንታ ኣይፈተወን። 8 ብዘመኑ
ኤዶም ካብ ትሕቲ ኢድ ይሁዳ ዐለዉ፡ ኣብ ልዕሊኦም ድማ ንጉስ ኣንገሱ፡ 9 ሽዑ ዮራም ምስ ሓላቝኡ፡
ኵለን ሰረገላኡ ኸኣ ምስኡ፡ ናብኡ ሐለፈ፡ ብለይቲ ተንሲኡ ድማ ነቶም ካቢቦምዎ ዝነበሩ
ኤዶማውያንን ነቶም ሓላቖ ሰረርገላታትን ወቕዖም። 10 ኤዶም ከኣ ክሳዕ ሎሚ ኻብ ትሕቲ ኢድ ይሁዳ
ዐለወ። ንሱ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቱ ስለ ዝሐደጎ፡ ሊብናውን በቲ ጊዜ እቲ ኻብ ትሕቲ ኢዱ
ዐለወት። 11 ንሱ ድማ ኣብ ኣኽራን ይሁዳ በረኽቲ ሰርሔ፡ ነቶም ኣብ የሩሳሌም እተቐመጡ ኸኣ
ኣመንዘሮም፡ ንይሁዳውን ኣስሐቶም። 12 ግናኸ ካብ ነብዩ ኤልያስ ከምዚ እትብል ጽሕፈት መጸቶ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦኻ ዳዊት ከምዚ ይብለካ ኣሎ፡ ብመገዲ ኣቦኻ ዮሳፉጥን ብመገዲ ኣሳ ንጉስ
ይሁዳን ስለ ዘይከድካ፡ 13 ብመገዲ ነገስታት እስራኤል ግና ስለ እተመላለስካ፡ ከምቲ ቤት ኣከኣብ
ዝገበረቶ ንይሁዳን ኣብ የሩሳሌም ንዚነብሩን ስለ ዘመንዘርካዮም፡ ነቶም ናይ ቤት ኣቦኻ ኻባኻ ዚሔሹ
ዝነበሩ ኣሕዋትካውን ስለ ዝቐተልካዮም፡ 14 እንሆ፡ እግዚኣብሄር ንህዝብኻን ንደቅኻን ነንስትኻን
ንብዘሎ ጥሪትካን ብዓብዩ መቕዘፍቲ ኪቐዝፎም እዩ። 15 ንስኻ ድማ ኣምዑትካ ብምኽንያት ሕማም
በብጊዜኡ ኽሳዕ ዚወጽእ፡ ኣብ ኣምዑትካ ብርቱዕ ሕማም ክትሐምም ኢኻ። 16 እግዚኣብሄር ድማ
መንፈስ ፍልስጥኤማውያንን እቶም ኣብ መንጽር ኢትዮጵያ ዚነብሩ ዓረባውያንን ኣብ ልዕሊ ዮራም
ኣተንስኤ። 17 ናብ ይሁዳ ደዪቦም ኣተውዋ እሞ ኣብ ቤት ንጉስ ንተረኽበ ዅሉ ገንዘብ በዝበዙ፡ ደቁን
ኣንስቱውን ወሰዱ፡ ብዘይ ዮኣስ፡ እቲ ኻብቶም ደቁ ዝነኣሰ፡ ገለ ወዲ ኣይተረፎን። 18 ድሕርዚ ዅሉ
ድማ እግዚኣብሄር ኣብ ኣምዑቱ ብዘይፍወስ ሕማም ወቕዖ። 19 ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ኸምኡ ኢሉ
ጊዜ ሐለፈ፡ ክልተ ዓመት ምስ ተወድኣ ኸኣ፡ ኣማዑቱ ብምኽንያት ሕማሙ ወጸ፡ ብብርቱዕ ቃንዛ ድማ
ሞተ። ህዝቡ ኸኣ፡ ከምቲ ምሕራር ኣቦታቱ፡ ምሕራር ኣይገበሩሉን። 20 ንሱ ኺነግስ ከሎ፡ ወዲ ሰላሳን
ክልተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሾሞንተ ዓመት ገዝኤ። ሓደ እኳ ኸይደለዮ ኸደ። ኣብ ከተማ
ዳዊት ተቐብረ፡ ግናኸ ኣብ መቓብር ነገስታት ኣይኰነን።

## ምዕራፍ 22

1 ኣብ ክንዳኡ ድማ እቶም ደቂ የሩሳሌም ነቲ ንእሽቶ ወዱ ኣሓዝያ ኣንገስዎ። እዚ ኸኣ ንዅሎም እቶም
ዓበይቲ እቲ ምስ ዓረባውያን ናብቲ ሰፈር ዝመጹ ጭፍራ ስለ ዝቐተሎም እዩ። ከምዚ ኢሉ ኣሓዝያ፡
ወዲ ዮራም ንጉስ ይሁዳ፡ ነገሰ። 2 ኣሓዝያ ኺነግስ ከሎ ወዲ ኣርብዓን ክልተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ
የሩሳሌም ድማ ሓንቲ ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ኸኣ ዓታልያ እዩ፡ ንሳ ጓል ዖምሪ እያ። 3 ኣዲኡ ረሲእነት

ንምግባር መኻሪቱ ነበረት እሞ፡ ንሱ ድማ ብመገዲ ቤት ኣከኣብ ከደ። [4] ድሕሪ ሞት ኣቦኡ ንሳቶም
እዮም ንጥፍኣቱ መኸርቱ ዝነበሩ እሞ፡ ንሱ ኸኣ፡ ከም ቤት ኣከኣብ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ
ገበረ። [5] በቲ ምኽሮም ከይዱ ድማ ምስ ዮርም ወዲ ኣከኣብ፡ ንጉስ እስራኤል፡ ንሃዛኤል ንጉስ ሶርያ ኣብ
ራሞት  ጊልዓድ ኪዋግኦ ኸደ። እቶም ሶርያውያን ግና ንዮራም ወግእዎ። [6] ሽዑ እቲ ምስ ሓዛኤል ንጉስ
ሶርያ ኺዋጋእ ከሎ፡ ነቲ ኣብ ራማ ዘወግእዎ ቍስሉ ኣብ ይዝርኤል ኪፍወሳ ተመልሰ። ኣዛርያ ወዲ
ዮኡራም ንጉስ ይሁዳ፡ ድማ ንዮራም ወዲ ኣከኣብ፡ ንሱ ሐሚሙ ነበረ እሞ፡ ኣብ ይዝርኤል ኪርእዮ
ወረደ። [7] ግናኸ እቲ ኣሓዝያ ናብ ዮራም ምምጻኡ ንጥፍኣቱ ኻብ ኣምላኽ እሮኡ ዝነበረ። ናብኡ ምስ
መጸ፡ ነቲ ንቤት ኣከኣብ ኬጽንታ ኢሉ እግዚኣብሄር ዝቐብኦ የሁ ወዲ ኒምሺ ኪቕበሎ ምስ ዮራም ወጸ።
[8] ኰነ ኸኣ፡ የሁ ነቲ ቤት ኣከኣብ ፍርዲ ኼውርደላ ኸሎ፡ ነቶም ሓላቑ ይሁዳን ነቶም ንኣሓዝያ ዜገልግሉ
ዝነበሩ ደቂ ኣሕዋቱ ንኣሓዝያን ረኺቦም እሞ ቀተሎም። [9] ንኣሓዝያ ኸኣ ደለዮ እሞ፡ ኣብ ሰማርያ
ተሐብኡ ኸሎ፡ ሒዞም ናብ የሁ ኣምጽእዎ ቐተልዎ ኸኣ፡ ንሳቶምውን፡ ንሱስ ወዲ እቲ ብምሉእ ልቡ
ንእግዚኣብሄር ዝደለዮ ዮሳፉጥ እዩ፡ ኢሎም ቀበርዎ። ድሕርዚ ኻብ ቤት ኣሓዝያ ነታ መንግስቲ ኺሕዛ
ዝኸኣለ የልቦን። [10] ዓታልያ ኣደ ኣሓዝያ ድማ ወዳ ኸም ዝሞተ ብዝረኣየት፡ ተንሲኣ ንብዘሎ ዘርኢ ቤተ
መንግስቲ ይሁዳ ኣጥፍኤት። [11] ግናኸ ንሆወብዓት ጓል ንጉስ፡ ንዮኣስ ወዲ ኣሓዝያ ወሲዳ ኻብ ማእከል
እቶም እተቐትሉ ደቂ ንጉስ ሰረቐቶ፡ ንእኡ ምስ መጕዚቱ ኸኣ ናብ ሕልፍኚ ዓራ ኣእተወቶ። ከምኡ
የሆወብዓት ጓል ንጉስ ዮራም፡ ሰበይቲ ኻህን ዮያዳ፡  ንሳ ሓብቲ ኣሓዝያ እያ፡ ካብ ቅድሚ ዓታልያ
ሐብኣቶ እሞ፡ ዓታልያ ኣይቀተለቶን። [12] ንሱ ድማ ሹድሽተ ዓመት ምሳታቶም ኣብ ቤት ኣምላኽ
ተሐብኤ። ዓታልያ ኸኣ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ነጊሳ ነበረት።

## ምዕራፍ 23

[1] በታ ሳብዐይቲ ዓመት ግና ዮያዳ ተብዔ እሞ፡ ነቶም ሓላቑ ሚእቲ፡ ንዓዛርያ ወዲ የሮሓምን እስማዔል
ወዲ ዮሓናንን ዓዛርያ ወዲ ዖቤድን ማዓስያ ወዲ ዓዳያን ኤሊሻፉጥ ወዲ ዚኽሪን፡ ወሲዱ ምስኡ ኺዳን
ኣእተዎም። [2] ኣብ ይሁዳ እናዞሩ ድማ ካብ ኲለን ከተማታት ይሁዳ ንሌዋውያንን ነቶም ሓላቑ ማይ ቤት
ኣቦታት እስራኤልን ኣከብዎም፡ ናብ የሩሳሌም ከኣ መጹ። [3] ብዘሎ ማሕበር ድማ ምስቲ ንጉስ ኣብታ
ቤት ኣምላኽ ኪዳን ኣተወ። ዮያዳ ኸኣ በሎም፡ እንሆ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ደቂ ዳዊት እተዛአቦ፡
ወዲ ንጉስ ይንገስ። [4] እቲ እትገብርዎ ነገር እዚ እዩ፡ ኣቱም ብሰንበት እትኣትዉ፡ ካብ ካህናትን ካብ
ሌዋውያንን ሲሶኹም ሓለውቲ ደጌታት ይኹኑ። [5] ሲሶ ድማ ኣብ ቤተ ንጉስ፡ ሲሶውን ኣብ ደገ ኣጻድ
ቤት እግዚኣብሄር ይኹን። [6] ግናኸ ናብታ ቤት እግዚኣብሄር ካህናትን እቶም ዜገልግሉ ሌዋውያንን
እምበር፡ ካልእ ኣይእቶ። ንሳቶም ቅዱሳን እዮም እሞ፡ ይእተዉ፡ ኲሉ እቲ ህዝቢ ግና ነቲ ሓለዋ
እግዚኣብሄር ይሐልዎ። [7] እቶም ሌዋውያን ድማ ነፍሲ ወከፍ ኣጽዋሮም ኣብ ኢዶም ሒዞም፡ ንንጉስ
ብዙርያኡ ይኽበብዎ። ናብታ ቤት ዚኣቱ ዘበለ ኸኣ ይሙት። እቲ ንጉስ ኪኣቱን ኪወጽእን ከሎ ድማ
ምስኡ ኹኑ። [8] እቲ ኻህን ዮያዳ፡ ነቶም ክፍልታት ኣየሰናበቶምን ነበረ እሞ፡ እቶም ሌዋውያንን ብዘለዉ
ይሁዳን ከምቲ ኻህን ዮያዳ ዝኣዘዞም ኲሉ ገበሩ፡ ነፍሲ ወከፍ ነቶም ብሰንበት ዚኣትው ምስቶም
ብሰንበት ዚወጹ ገይሮም፡ ሰሰቦም ይወስድዎም ነበሩ። [9] ካህን ዮያዳ ድማ እቲ ኣብ ቤት ኣምላኽ
ዝጸንሔ ናይ ንጉስ ዳዊት ዝነበረ ኲናውትን በብዓይነቱ ዋላቱን ነቶም ሓላቑ ሚእቲ ሀቦም። [10] ንኹሉ
እቲ ህዝቢ ኸኣ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣጽዋሩ ብኢዱ ሒዙ፡ ካብ የማናይ ወገን እታ ቤት ጀሚሩ ኽሳዕ ጸጋማይ

ወገን እታ ቤት፡ ኣብ ጥቓ እቲ መሰውኢን እታ ቤትን፡ ኣብ ዙርያ እቲ ንጉስ ኣቘሞም። [11] ሽዑ ነቲ ወዲ
ንጉስ ኣውጺኦም ዘውዲ ደፍኡሉ፡ እቲ ምስክርውን ሀብዎ እሞ ኣንገስዎ። ዮያዳን ደቁን ከኣ ቀብእዎ
እሞ፡ ንጉስ ህያው ይኹን፡ በሉ። [12] ዓታልያ ድማ ድምጺ እቶም ነቲ ንጉስ እናጐየዩ ዚውድስዎ ዝነበሩ
ህዝቢ ምስ ሰምዔት፡ ናብቶም ህዝቢ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣተወት። [13] እንተ ጠመተት ከኣ፡ እንሆ፡
እቲ ንጉስ ኣብ ጥቓ እቲ መእተዊ ኣብቲ ዓንዲ ደው ኢሉ፡ እቶም ሓላቑን እቶም ነፋሕቲ መለኸትን ከኣ
ምስ ንጉስ ነበሩ። ብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገር ከኣ ተሐጒሱ መለኸት ይነፍሕ ነበረ። እቶም መዘምራንውን
ብመሳርያ ሙዚክ ነቲ መዝሙር ምስጋና መርሑ። ሽዑ ዓታልያ ኽዳውንታ ቐዲዳ፡ ዕልወት እሮኡ፡
ዕልወት እዩ፡ ኢላ ጨርሔት። [14] እቲ ኻህን፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣይትቕተልዋ፡ ኢሉ ነበረ እሞ፡ ካህን
ዮያዳ ድማ ነቶም ነቲ ሰራዊት ዚመርሑ ሓላቑ ሚእቲ ኣውጺኡ፡ ካብ ቤት ብማእከል መስርዕ
ኣውጽእዋ፡ ንዚስዕባ ኸኣ ብሴፍ ቅተልዎ፡ በሎም። [15] ኣግልስ ኣቢሎም ኣሕለፍዋ እሞ፡ ናብታ ናይ ናብ
ቤተ ንጉስ እተእቱ ደገ ኣፍራስ ከደት፡ ኣብኡ ኸኣ ቀተልዋ። [16] ዮያዳ ድማ፡ ህዝቢ እግዚኣብሄር ኪኾኑ
ኢሉ፡ ኣብ መንጎ ርእሱን ኣብ መንጎ ብዘሎ ህዝብን ንንጉስ ኪዳን ኣቘመ። [17] ብዘለዉ እቶም ህዝቢ ኸኣ
ናብ ቤት በዓል ኣትዮም ኣፍረስዋ፡ ነቲ መሰውኢታቱን ምስልታቱን ድማ ሰባበርዎ። ንማታን ካህን በዓል
ከኣ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ ሐረድዎ። [18] ከምቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ተጽሒፉ ዘሎ፡ ከምቲ ዳዊት ዝሰርዖ፡
ዳዊት ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ብሓጐስን ብመዝሙርን ዚሐርር መስዋእቲ እግዚኣብሄር ኪዕርጉ
ንዝመደቦም ካህናት፡ ሌዋውያን፡ ዮያዳ ኣብታ ቤት እግዚኣብሄር ሓለውቲ ገበሮም። [19] ብዝኾነ ነገር
ዝረኸሰ ምእንቲ ኸይኣቱስ፡ ኣብተን ደጌታት ቤት እግዚኣብሄር ነቶም ሓለውቲ ኣቘሞም። [20] ነቶም ሓላቑ
ሚእትን ነቶም ክቡራትን ነቶም ናይ ህዝቢ ስልጡናትን ንብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገርን ድማ ወሰዶም፡ ነቲ
ንጉስ ድማ ካብ ቤት እግዚኣብሄር ኣውረዶ፡ በታ ላዕለይቲ ደገ ናብ ቤተ ንጉስ ኣትዮም ከኣ፡ ነቲ ንጉስ
ዝፋን መንግስቲ ኣቐመጥዎ። [21] ብዘለዉ ህዝቢ እታ ሃገር ድማ ተሐጒሱ፡ እታ ኸተማውን ሀድኤት።
ንዓታልያ ግና ብሴፍ ቀቲሎምዋ ነበሩ።

## ምዕራፍ 24

[1] ዮኣስ ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ሾብዓተ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ኣርብዓ ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ
ድማ ጺብያ፡ ንሳ ኻብ ብኤር ሸባዕ እያ። [2] ዮኣስ ከኣ ብኹሉ ዘመን እቲ ኻህን ዮያዳ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ቅኑዕ ዘበለ ገበረ። [3] ዮያዳ ድማ ክልተ ኣንስቲ ኣምጽኣሉ እሞ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ወለደ። [4]
ድሕርዚ ኸኣ ኾነ፡ ዮኣስ ነታ ቤት እግዚኣብሄር ኪሕድሳ ሐሰበ። [5] ነቶም ካህናትን ሌዋውያንን ኣኪቡ
ድማ፡ ናብተን ከተማታት ይሁዳ ኼድኩም፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ንምሕዳስ ቤት ኣምላኽኩም
ዚኸውን ገንዘብ ካብ ብዘሎ እስራኤል ኣክቡ፡ በዚ ነገር እዚ ኸኣ ቀልጥፉ፡ በሎም። እቶም ሌዋውያን
ግና ኣይቀልጠፉን። [6] ሽዑ እቲ ንጉስ ንሊቀ ኻህናት ዮያዳ ጸዊዑ በሎ፡ ስለምንታይ ኢኻ ነቶም ሌዋውያን
እቲ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር ንማሕበር እስራኤል ዝሐገገላ ግብሪ ድንኳን ምስክር ካብ ይሁዳን ካብ
የሩሳሌምን ኬምጽኡ ዘይገደድካዮም [7] ነታ ቤት ኣምላኽስ፡ ደቂ ዓታልያ፡ እታ ረሲእ ሰበይቲ፡
ኣበላሽዮምዋ እዮም፡ እቲ ንቤት እግዚኣብሄር እተቐደሰ ዘበለ ኹሉ ድማ ንበዓላት ገይሮምዎ እሮኦም። [8]
እቲ ንጉስ ድማ ኣዘዘ እሞ፡ ሓደ ሳጹን ገይሮም ኣብ ወጻኢ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ደገ ቤት እግዚኣብሄር
ኣቐመጥዎ። [9] ድማ እቲ ሙሴ ባርያ ኣምላኽ እስራኤል ኣብ በረኻ ዝሐገገሎም ግብሪ ናብ እግዚኣብሄር
ኬእትዎ ኣብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌምን ኣወጁ። [10] ኲሎም ሓላቑን ብዘለዉ ህዝብን ከኣ ተሐጒሶም ገንዘብ

ኣምጽኡ እሞ ኸሳዕ ዚውዳእ ናብቲ ሳጹን ኣእተውዎ። 11 ኰነ ኸኣ፡ ነቲ ሳጹን ብኢድ እቶም ሌዋውያን
ናብቶም ቈጸርቲ ንጉስ ዜምጽኡሉ ጊዜ ምስ በጽሔት፡ ኣብኡ ኸኣ ብዙሕ ገንዘብ ከም ዘሎ ምስ ረኣዩ፡
ናይ ንጉስ ጸሓፍን እቲ ናይ ሊቀ ኻህናት ቈጸርን መጺ፡ ነቲ ሳጹን ገልቢጦም ከኣ ናብ ቦታኡ መለስዎ።
ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ኸምኡ ገበሩ እሞ ብዙሕ ገንዘብ ኣከቡ። 12 ንጉስ ዮያዳን ድማ እዚ ነቶም ነቲ
ዕዮ ስራሕ ቤት እግዚኣብሄር ዚዕዩ ዝነበሩ ሀብዎም። ንምሕዳስ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ወቓርትን
ጸረብትን፡ ንምጽጋን እታ ቤት እግዚኣብሄር ድማ ዓብየይቲ ሓጺንን ኣስራዝን ተወዓዐሉሉ። 13 እቶም
ዓየይቲ ኸኣ ይዐዩ ነበሩ፡ እቲ ዕዮ ድማ ብኢዶም እናወሰኸ ሰልጠነ እሞ፡ ነታ ቤት ኣምላኽ ከምታ ናይ
ቀደማ ገይሮም ኣዐርዮም ኣጽንዕዋ። 14 ምስ ወድኡ ኸኣ፡ ነቲ ዝተረፈ ገንዘብ ናብ ቅድሚ ንጉስን ዮያዳን
ኣምጽእዎ፡ ካብኡ ድማ ቓሑ ንቤት እግዚኣብሄር፡ ኣቓሑ ንኣገልግሎትን ንዚሐርር መስዋእትን፡ ማናኩን
ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ገበሩ። ዮያዳ ኸሳዕ ዘሎ ኸኣ ኣብታ ቤት እግዚኣብሄር ኲሉጊዜ ዚሐርር
መስዋእቲ የዕርጉ ነበሩ። 15 ዮያዳ ግና ሸምገለ፡ ዕድመ ጸጊቡ ድማ ሞተ። ንሱ ኺመውት ከሎ፡ ወዲ
ሚእትን ሰላሳን ዓመት ነበረ። 16 ኣብ እስራኤል ንኣምላኽ ነታ ቤቱን ጽቡቕ ሰል ዝገበረሎም ድማ፡
ምስቶም ነገስታት ኣብ ከተማ ዳዊት ቀበርዎ። 17 ድሕሪ ሞት ዮያዳ ግና እቶም ሓላቑ ይሁዳ መጺኦም
ንንጉስ ፍግም በሉሉ። ሽዑ እቲ ንጉስ ሰምዖም። 18 ነታ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ሐዲጎም
ድማ ንኣስታርቴታትን ጣኦታትን ኣገልገሉ። በዚ ኣበሳኦም ከኣ ኣብ ልዕሊ ይሁዳን የሩሳሌምን ቍጥዓ
መጸ። 19 ናብ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኬምልስዎም ድማ፡ ንሱ ነብያት ሰደደሎም፡ ንሳቶም ከኣ ይገንሕዎም
ነበሩ፡ ግናኸ ኣይሰምዕዎን። 20 ዘካርያስ ወዲ ኻህን ዮያዳ ድማ መንፈስ ኣምላኽ ለበሰ እሞ ኣብ ልዕሊ
እቶም ህዝቢ ደው ኢሉ በሎም፡ ኣምላኽ ከምዚ ይብለኩም ኣሎ፡ ስለምንታይ ኢኹም ትእዛዛት
እግዚኣብሄር ዘፍረስኩም ሰናይ ኣይከትረኽቡን ኢኹም። ንእግዚኣብሄር ስለ ዝሐደግኩምዎ፡ ንሱ ኸኣ
ሐዲጉኩም እዩ። 21 ሽዑ ንእኡ ተማሓሐሉሉ፡ ብትእዛዝ ንጉስ ድማ ኣብቲ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር፡
ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ። 22 ንጉስ ዮኣስ ነቲ ኣቦኡ ዮያዳ ዝገበረሉ ምሕረት ኣይዘከሮን፡ ነቲ ወዱ ደኣ
ቐተሎ። ንሱ ግና ኪመውት ከሎ፡ ነዝስ እግዚኣብሄር ይርእዮ ይድለዮውን ነበረ። 23 ኰነ ድማ፡ እታ
ዓመት ምስ ሐለፈት፡ ሰራዊት ሶርያ ናብኡ ደየበ እሞ ናብ ይሁዳን የሩሳሌምን ኣትዮም ንብዘለዉ ሓላቑ
ህዝቢ ኻብቲ ህዝቢ ኣጥፍእዎም። ንኹሉ እቲ ምርኮኦም ከኣ ናብቲ ንጉስ ኣብ ደማስቆ ሰደድዎ። 24 እቲ
ሰራዊት ሶርያ ምስ ሒዶት ጭፍራ ሰብ መጸ። እቶም ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም
ሐዲጎምዎ ስለ ዝነበሩ ግና፡ እግዚኣብሄር ኣዝዩ ብዙሕ ሰራዊት ኣብ ኢዶም ሀቦም። ነቲ ፍርዲ ኸኣ ኣብ
ልዕሊ ዮኣስ ኣውረድዎ። 25 እዚኣቶም ካብኡ ምስ ከዱ ኸኣ፡ ንሱ ኣዝዩ ሐሚሙ ኸሎ ሐዲጎምዎ ነበሩ፡
ገላውኡ ብምኽንያት ደም ደቂ ኻህን ዮያዳ ተማሓሐሉሉ፡ ኣብታ ዓራቱ ቐተልዎ፡ ሞተ ኸኣ። ኣብ ከተማ
ዳዊት ቐበርዎ፡ ግናኸ ኣብ መቓብራት ነግስታት ኣይቀበርዎን። 26 እቶም እተማሓሐሉሉ ድማ ዛባድ፡
ወዲ ሺምዓት ዓሞናዊትን ዮዛባድ፡ ወዲ ሺምሪት ሞኣባዊትን እዮም። 27 ብናይ ደቁን ብናይ ብዝሒ እቲ
እተጻዕነሉ ግብርን ብናይ ምሕዳስ ቤት ኣምላኽን፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብቲ ትርጓሜ መጽሓፍ ነገስታት
ተጽሒፉ ኣሎ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ኣማስያ ነገሰ።

# ምዕራፍ 25

1 ኣማስያ ኺነግስ ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ። ኣብ የሩሳሌም ድማ ዕስራን ትሽዓተን
ዓመት ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ኸኣ ዮዓዳን ነበረ፡ ንሳ ኻብ የሩሳሌም እያ። 2 ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር

ቅኑዕ ገበረ፡ ግናኸ ብምሉእ ልቡ ኣይኰነን። 3 ኰነ ድማ፡ እታ መንግስቱ ምስ ጸንዓትሉ፡ ነቶም ንኣቦኡ
ንጉስ ዝቐተሉ ገላዉኡ ቐተሎም። 4 ግናኸ ከምቲ ኣብ ሕጊ፡ ኣብ መጽሓፍ ሙሴ፡ ተጽሒፉ ዘሎ፡ ነፍሲ
ወከፍ በብሓጢኣቱ ደኣ ይሙት እምበር፡ ኣቦታት ብሰሪ ደቂ ኣይሙቱ፡ ደቂውን ብሰሪ ኣቦታት
ኣይሙቱ፡ ኢሉ እግዚኣብሄር ከም ዝኣዘዘ፡ ነቶም ደቆም ኣይቀተሎምን። 5 ኣማስያ ድማ ንይሁዳ ኣኪቡ
በብማይ ቤት ኣቦታቶም ደው ኣበሎም፡ ንብዘላ ይሁዳን ብንያምን መምስ ሓላቑ ሽሕን ሓላቑ ሚእትን
ከኣ ሰርያም። ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ንዘለዉ ቘጸሮም፡ ኲናትን ዋልታን ሒዞም ናብ ውግእ
ዚወጹ ዘበሉ ኸኣ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ሕሩያት ሰብኡት ከም ዝኾኑ ረኸቦም። 6 ብሚእቲ ታለንት ብሩር
ገይሩ፡ ካብ እስራኤል ሚእቲ ሽሕ ሓያላት ጀጋኑ ተኻረየ። 7 ሓደ ናይ ኣምላኽ ሰብ ግና ናብኡ መጺኡ
በሎ፡ ዎ ንጉስ፡ እግዚኣብሄር ምስ እስራእሕአል፡ ምስ ብዘለዉ ደቂ ኤፍሬም ኣይኰነን እሞ፡ ሰራዊት
እስራኤል ምሳኻ ኣይኺድ። 8 ክትከይድ እንተ ደሌኻ ግና፡ ኪድ። ኣብ ውግእ በርትዕ። ግናኸ ኣምላኽ
ኣብ ቅድሚ ጸላእቲ ኼውድቐካ እዩ። ከመይሲ ኣምላኽ ንምርዳእ ኰነ ወይ ንምጥፋእ ስልጣን ኣለዎ። 9
ኣማስያ ኸኣ ነቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ በቲ ንጭፍራ እስራኤል ዝሀብክዎም ሚእቲ ታለንትኸ እንታይ
ይገበር በሎ። እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ ድማ፡ ካብኡ ዚበዝሕ እግዚኣብሄር ኪህበካ ይኽእል እዩ፡ በለ። 10
ሽዑ ኣማስያ ነቶም ካብ ኤፍሬም ዝመጹ ጭፍራ ናብ ስፍራኦም ኪኸዱ ፈለዮም። ግናኸ ቍጥዓኦም ኣብ
ይሁዳ ኣዝዩ ተናደደ፡ ብእተናደደ ቑጥዓ ኸኣ ናብ ስፍራኦም ተመልሱ። 11 ኣማስያ ድማ ተቢዑ ንህዝቡ
ኣውጽኤ፡ ናብ ለሰ ጨው ከይዱ ኸኣ፡ ካብ ደቂ ሰዒር ዓሰርተ ሽሕ ወቕዔ። 12 እቶም ደቂ ይሁዳ ኸኣ
ዓሰርተ ሽሕ ብህይወቶም ሒዞም፡ ናብ ርእሲ ሓንቲ ኸውሒ ኣደየብዎም፡ ካብ ርእሲ እታ ኸውሒ ድማ
ንቑልቁል ኣጽደፍዎም፡ ኲሎም ከኣ ተጨፍለቑ። 13 እቶም ኣማስያ ናብ ውግእ ምስኡ ኸይከዱ
ዘሰናበቶም ሰባት ጭፍራ ግና ንኸተማታት ይሁዳ፡ ካብ ሰማርያ ኽሳዕ ቤት ሖሮን፡ ሓደጋ ወደቑወን
እሞ ኣባታተን ሰለስተ ሽሕ ቀተሉ፡ ብዙሕ ምርኮውን ማረኹ። 14 ኰነ ድማ፡ ኣማስያ ንኤዶማውያን
ስዒርዎም ኪመለስ ከሎ፡ ኣማልኽቲ ደቂ ሰዒር ተማልኤ፡ ኣማልኽቱ ኪኾኑ ድማ ኣቘሞም፡ ኣብ
ቅድሚኦም ከኣ ሰገደ፡ ዕጣንውን ዐጠነሎም። 15 ሽዑ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ኣብ ኣማስያ ተናደደ እሞ፡
ሓደ ነብዪ ናብኡ ሰደደ። ንሱ ኸኣ፡ ስለምንታይ ኢኻ ነዞም ህዝቦም ካብ ኢድካ ዘየድሐኑ ኣማልኽቲ
እዞም ህዝቢ ዝደሌኻዮም በሎ። 16 ኰነ ድማ፡ እዚ ምስ ተዛረቦ፡ ንሱ ኸኣ፡ ናይ ንጉስ መኻሪ
ኽትከውንዶ ሺምናካ ኢና ግደፍ፡ ንምንታይ ክትቅተል እትደሊ በሎ። እቲ ነብዪ ድማ፡ ምኽረይ ብዘይ
ምስማዕካ እዚ ኻብ ገበርካስ፡ ኣምላኽ ኬጥፍኣካ ኸም ዝመደበ ፈለጥኩ፡ ኢሉ ገደፎ። 17 ሽዑ ኣማስያ
ንጉስ ይሁዳ፡ ምኽሪ ምስ መኸረ፡ ናብ ዮኣስ ንጉስ እስራኤል፡ ወዲ ዮኣሓዝ፡ ወዲ የሁ፡ ሰዲዱ፡ ንዓ እሞ
ገጽ ንገጽ ንርእኤ፡ በሎ። 18 ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ግና ንኣማስያ ንጉስ ይሁዳ ልኢኹ ኸምዚ በሎ፡ እቲ
ኣብ ሊባኖስ ዝነበረ እሾኹ ነቲ ኣብ ሊባኖስ ዝነበረ ቄድሮስ፡ ንወደይ ሰበይቲ ኸትኰኖ ጓልካ ሀቦ፡ ኢሉ
ለኣኸሉ። እቶም ኣብ ሊባኖስ ዝነበሩ ኣራዊት መሮር ድማ ሐለፉ፡ ነቲ እሾኹ ከኣ ረገጽዎ። 19 እንሆ፡
ንኤዶም ስዒረያ፡ ትብል ኣሎኻ፡ ልብኻስ ኬኽብረካ ኢሉ ተዐበየ። ሕጂ ኣብ ቤትካ ተቐመጥ፡
ስለምንታይ ኢኻ ንስኻ፡ ይሁዳ ኸኣ ምሳኻ፡ ክትወድቕስ ኣብ መከራ እትኣቱ 20 ንኣማልኽቲ ኤዶም ስለ
ዝደለይዎም ግና፡ ኣምላኽ ኣብ ኢድ ጸላእቶም ኪህቦም መዲቡ ነበረ እሞ፡ በዚ እዩ ኣማስያ ነዚ
ዘይሰምዔ። 21 ሽዑ ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ደየበ እሞ፡ ንሱን ኣማስያ ንጉስ ይሁዳን ኣብታ ኣብ ይሁዳ ዘላ
ቤት ሸመሽ ንገጽ ተራኣኣዩ። 22 ግናኸ ይሁዳ ኣ ብቅድሚ እስራእሕአል ተሳዕረ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ ናብ
ድንኳኑ ሀደመ። 23 ንኣማስያ ንጉስ ይሁዳ፡ ወዲ ዮኣስ ወዲ ዮኣሓዝ፡ ድማ ዮኣስ ንጉስ እስራኤል ኣብ
ቤት ሸመሽ ሐዞ፡ ናይ የሩሳሌም ከኣ ኣምጽኦ፡ ንመካበብያ የሩሳሌም ካብ ደገ ኤፍሬም ጀሚሩ ኽሳዕ ደገ

መኣዝን ኣርባዕተ ሚእቲ እመት ኣፍረሰ። 24 እቲ ምስ ዖቤድ ኤዶም ዝነበረ፡ ኣብ ቤት ኣምላኽ እተረኽበ
ኹሉ ወርቅን ብሩርን ኩሉ ኣቓሑን መዛግብቲ ቤት ንጉስን ዝሆ ዚኾኑ ደቅን ሒዙ ናብ ሰማርያ
ተመልሰ። 25 ኣማስያ ንጉስ ይሁዳ ወዲ ዮኣስ ድማ ድሕሪ ሞት ዮኣስ ንጉስ እስራኤል፡ ወዲ ዮኣሓዝ፡
ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ጸንሔ። 26 እቲ ዝተረፈ ናይ ኣማስያ ነገር፡ ቀዳማዩን ዳሕራዩን ከኣ፡ ንሱ ኣብ
መጽሃፍ ነገስታት ይሁዳን እስራኤልንዶ ተጽሒፉ ኣየሎን 27 ድሕሪ እታ ኣማስያ ኻብ እግዚኣብሄር
ዝረሓቐላ ጊዜ ኣብ የሩሳሌም ማሕላ ተማሓሓሉሉ። ንሱ ድማ ናብ ላኪሽ ሀደመ። ደድሕሪኡ ናብ ላኪሽ
ልኢኾም ከኣ ኣብኣ ቐተልዎ። 28 ኣብ ኣፍራስ ሰቐሎም ወሰድዎ፡ ኣብ ከተማ ይሁዳ ኸኣ ምስ ኣቦታቱ
ቐበርዎ።

# ምዕራፍ 26

1 ብዘለዉ ህዝቢ ይሁዳ ኸኣ ንዑዝያ፡ ንሱ ወዲ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ከሎ፡ ወሲዱ ንእኡ ኣብ
ክንዲ ኣቦኡ ኣማስያ ኣንገስዎ። 2 ንሱ ንኤሎት ሰርሓ፡ እቲ ንጉስ ምስ ኣቦታቱ ብዝደቀሰ ድማ፡ ናብ ይሁዳ
መለሳ። 3 ዑዝያ ኺነግስ ከሎ፡ ወዲ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ነበረ፡ ሓምሳን ክልተን ዓመት ድማ ኣብ
የሩሳሌም ገዝኤ። ስም ኣዲኡ ኸኣ የኮልያ እዩ፡ ንሳ ኻብ የሩሳሌም እያ። 4 ከምቲ ኣቦኡ ኣማስያ ዝገበሮ
ኹሉ ድማ፡ ንሱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። 5 እቲ ናይ ኣምላኽ ራእይ ዜስተብህል ዘካርያስ
ክሳዕ ዘሎ ኸኣ ንኣምላኽ ይደልዮ ነበረ። ንእግዚኣብሄር ኪደልዮ ኸሎ ድማ፡ ኣምላኽ የቃንዓሉ ነበረ። 6
ወጺኡ ኸኣ ምስ ፍልስጥኤማውያን ተዋግኤ እሞ ፡ ንመካበብያታት ጋትን መካበብያታት ያብነን
መካበብያታት ኣሽዶድን ኣፍረሰ። ኣብ ምድሪ ኣሽዶድን ኣብ ማእከል ሃገር ፍልስጥኤማውያንን ከኣ
ከተማታት ሰርሔ። 7 ኣብ ልዕሊ ፍልስጥኤማውያንን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ጉር በዓል ዚነብሩ ዝነበሩ
ዓረባውያንን ኣብ ልዕሊ መዑናውያንን ከኣ ኣምላኽ ሀገዞ። 8 ዓሞናውያን ድማ ንዑዝያ ህያባት ሀብዎ፡
ንሱ ብዘይ ልክዕ በርትዔ እሞ፡ ስሙ ኽሳዕ ግብጺ ኸደ። 9 ዑዝያ ድማ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ልዕሊ ደገ
መኣዝንን ኣብ ልዕሊ ደገ ለሰን ኣብ ልዕሊ መኣዝንን ግምብታት ሰርሔ ኣጽንዖውን። 10 ኣብ ቈላን ኣብ
ጐልጐልን ድማ ብዙሓት ከብቲ ነበራኦ እሞ፡ ኣብ በረኻውን ግምብታት ሰርሔ፡ በዙሕ ሓጽብታት ከኣ
ኰዐተ። ፈታው ማሕረስ ድማ ነበረ እሞ፡ ኣብ ኣኽራንን ኣብቲ ፍርያም ግርሁን ሓረስቶትን ዓየይቲ
ኣታኽልቲ ወይንን ነበርዎ። 11 ዑዝያ ኸኣ ንውግእ እተማህረ ሰራዊት ነበሮ። ንሱ ኸምቲ የዒኤል እቲ
ጸሓፍን ማዓስያ እቲ ኻብቶም ሓላቑ ንጉስ፡ ዝጸሐፍዎን ዝቘጸርዎን ጭፍራታት ተሰሪዖም ናብ ውግእ
ይወጹ ነበሩ። 12 ብዘሎ ቍጽሪ እቶም ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት፡ ሓያላት ጀጋኑ፡ ክልተ ሽሕን ሹድሽተ
ሚእትን ነበረ። 13 ኣብ ትሕቲ ኢዶም ድማ ንጉስ፡ ንጸላኢ ንምውጋእ ዚሕግዞ፡ ሰለስተ ሚእትን ሾብዓተ
ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን ሓያልን ጅግናን ዝኾነ ሰራዊት ነበሮ። 14 ዑዝያ ኸ ኣንብዘሎ እዚ ሰራዊት
ዋላቱን ኲናውትን ቀኍራዕ ርእስታትን ድርዕታትን ቀስትታትን ዚውንጨፍ ኣእማንን ኣዳለወሉ። 15 ኣብ
የሩሳሌም ድማ ፍላጻታትን ዓበይቲ ኣእማንን ዚውርውረሉ ብብልሓት ብልሃተኛ እተገብረ መሳርያታት
ኣብ ግምብታትን ኣብ መኣዝናትን ዚኾና ነበረ። ክሳዕ ዚብርትዕ ብዜደንቕ ተረዲኡ ነበረ እሞ፡ ስሙ
ኽሳዕ ርሑቕ ወጸ። 16 ምስ ሰልጠነ ግና፡ ልቡ ንጥፍኣቱ ተዐበየሉ። ናብቲ መቕደስ እግዚኣብሄር ኣትዩ፡
ኣብተ መሰውኢ ዕጣን ኪዐጥን ኢሉ ንእግዚኣብሄር ኣምላኹ በደሎ። 17 ካህን ኣዛርያ፡ ምስኡ ሰማንያ
ተብዓት ከህናት እግዚኣብሄር ሒዙ ደድሕሪኡ ኣተወ። 18 ንሳቶም ንንጉስ ዑዝያ ተቓወምዎ፡ ከምዚ
ኢሎም ከኣ ተዛረብዎ፡ ዎ ዑዝያ፡ ንእግዚኣብሄር ዕጣን ምዕጣንሲ ናይቶም ኪዐጥኑ እተቐደሱ ኻህናት

ደቂ ኣሮን እዩ እምበር፡ ናትካ ኣይኰነን። በዲልካ፡ እዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ኣይኪኸብረካን እዩ እሞ፡ ካብ ቤት መቅደስ ውጻእ። [19] ሽዑ ዑዝያ ኹረየ፡ ነታ ዚዐጥነላ ጽንሃህ ከኣ
ሒዝዋ ነበረ። ነቶም ካህናት ኪኹርየሎም ከሎ፡ ኣብ ውሽጢ እታ ቤት እግዚኣብሄር፡ ኣብ ጥቓ
መሰውኢ ዕጣን፡ ኣብ ቅድሚ እቶም ካህናት ኣብ ግምባሩ ለምጺ ወጸቶ። [20] ሊቀ ኻህናት ኣዛርያን
ኲሎም ካህናትን ድማ ጠመትዎ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብ ግምባሩ ለምጻም ነበረ እሞ፡ ካብኡ ተቐላጢፎም
ኣውጽእዎ። እግዚኣብሄር ስለ ዝቐጽዖ ባዕሉውን ቀልጢፉ ወጸ። [21] ንጉስ ዑዝያ ድማ ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ
ለምጻም ነበረ። ካብ ቤት እግዚኣብሄር ተወጊዱ ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ ለምጻም ኰይኑ ኣብ ፍልይቲ ቤት
ተቐመጠ። ወዱ ዮታም ድማ ኣብ ልዕሊ እታ ቤት ንጉስ ነበረ። ንህዝቢ እታ ሃገርውን ይፈርድ ነበረ። [22]
እቲ ዝተረፈ ናይ ዑዝያ ነገር ከኣ፡ ቀዳማዮን ዳሕራዩን፡ ነብዩ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ጽሒፍዎ ኣሎ። [23]
ዑዝያ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ምስ ኣቦታቱውን ቀበርዎ። ንሱ ለምጻም ነበረ፡ ይብሉ ነበሩ እሞ፡
ኣብታ ናይ ነገስታት መቓብር ዘላ ምድሪ ቐበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ዮታም ነገሰ።

# ምዕራፍ 27

[1] ዮታም ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ኣዓሰርተው ሹድሽተ
ዓመት ገዝኤ፡ ስም ኣዲኡ ድማ የሩሻ እዩ፡ ንሳ ጓል ጻዶቅ እያ። [2] ንሱ ናብ መቕደስ እግዚኣብሄር ደኣ
ኣይኣተወን እምበር፡ ከምቲ ኣቦኡ ዑዝያ ዝገበሮ ኹሉ፡ ኣብ ቅድም እግዚኣብሄር ቅኑዕ ዘበለ ገበረ።
እቶም ህዝቢ ግና ይእብሱ ነበሩ። [3] ንሱ ነቲ ላዕላይ ደገ ቤት እግዚኣብሄር ሰርሔ፡ ኣብ መካበብያ
ዖፌልውን ብዙሕ ሰርሔ። [4] ኣብ ከረን ይሁዳ ድማ ከተማታት ሰርሔ፡ ኣብ ዱር ከኣ ዕርድታትን
ግምብታትን ሰርሔ። [5] ንሱ ኸኣ ምስ ንጉስ ደቂ ዓሞን ተዋጊኡ ሰዐሮም እሞ፡ በታ ዓመት እቲኣ እቶም
ደቂ ዓሞን ሚእቲ ታለንት ብሩርን ዓሰርተ ሽሕ ቆሮስ ስርናይን ዓሰርተ ሽሕ ቆሮስ ስገምን ሀብዎ። እቶም
ደቂ ዓሞን በታ ኻልኣይትን ሳልሰይትን ዓመት ከኣ ከክንድዚ ሀብዎ። [6] ዮታም መገድታቱ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኹ ስለ ዘቕንዔ ድማ፡ በርትዔ። [7] እቲ ዝተረፈ ናይ ዮታም ነገርን ኲሉ ውግኡን
መገድታቱን ከኣ፡ እንሆ፡ንሱ ኣብ መጽሓፍ ነገስታት እስራኤልን ይሁዳን ተጽሒፉ ኣሎ። [8] ኪነግስ ከሎ፡
ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ገዝኤ። [9] ዮታም
ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ከተማ ዳዊት ከኣ ቐበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ኣሃዝ ነገሰ።

# ምዕራፍ 28

[1] ኣሃዝ ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ዕስራ ዓመት ነበረ። ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሹድሽተ ዓመት ገዝኤ።
ከም ኣቦኡ ዳዊት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ኣይገበረን። [2] ብመገድታት ነገስታት እስራኤል ደኣ
ይኸይድ ነበረ፡ ኤረ ንሱስ ንበዓላትውን ፍሱስ ምስልታት ገበረ። [3] ንሱ ኣብ ለሰ ወዲ ሂኖም ከኣ ዕጣን
ዐጠነ፡ ከም ጽያፍ እቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዝሰጐጎም ኣህዛብ ገይሩ ኸኣ፡ ንደቁ
ኣብ ሓዊ ኣንደዶም። [4] ኣብ በረኽትን ኣብ ኲርባታትን ኣብ ትሕቲ ኹሉ ልምሉም ኣእዋምን ድማ
ይሰውእን ይዐጥንን ነበረ። [5] ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኣብ ኢድ ንጉስ ሶርያ ኣሕሊፉ ሀቦ፡
ንሳቶም ድማ ሰዐርዎ እሞ፡ ካብ ናቱ ዓብዪ ጭፍራ ማሪኾም፡ ናብ ደማስቆ ኣምጽእዎ። ኣብ ኢድ ንጉስ
እስራኤልውን ተዋህበ፡ ንሱ ኸኣ ብዓብዪ ስዕረት ሰዐሮ። [6] ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ስለ

ዝሐደግዎስ፡ ጴቃሕ ወዲ ረማልያ ኻብ ይሁዳ ብሓንቲ መዓልቲ ሚእትን ዕስራን ሽሕ ቀተለ፡ ኩሎም
ተዋጋእቲ ሰብ ነበሩ። 7 ዚክሪ ዚብሀል ሓደ ጅግና ኤፍሬማዊ ድማ ንማዓሴያ ወዲ ንጉስን ንዓዝሪቃም
ሹም ቤትን ኤልቃና ቢትወደድ ንጉስን ንዓዝሪቃም ሹም ቤትን ኤልቃና ቢትወደድ ንጉስን ቀተሎም። 8
እቶም ደቂ እስራኤል ከኣ ካብ ኣሕዋቶም ክልተ ሚእቲ ሽሕ ኣንስትን ኣወዳትን ኣዋልድን ማረኹ፡
ካባታቶም ብዙሕ ምርኮ ወሲዶም ድማ፡ ነቲ ምርኮ ናብ ሰማርያ ኣምጽእዎ። 9 ኣብኡ ግና ዖዴድ ዝስሙ
ነብዩ እግዚኣብሄር ነበረ፡ ንሱ ነቲ ናብ ሰማርያ ዚመጽእ ሰራዊት ኪቀባበሎ ወጸ፡ በሎም ድማ፡ እንሆ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም ኣብ ይሁዳ ስለ እተቘጥዔ፡ ንእኦም ኣብ ኢድኩም ሀበኩም፡
ንስኻትኩም ከኣ ናብ ሰማይ ብዚበጽሕ ነድሪ ቐተልኩምዎም። 10 ሕጂ ድማ ነቶም ደቂ ይሁዳን
የሩሳሌምን ንኣኻትኩም ባሮትን ኣግራድን ክትገብርዎም ትሐስቡ ኣሎኹም። እምበኣርሲ ንስኻትኩም፡
እወ ባዕልኻትኩም ንእግዚኣብሄር ኣምላኽዶ ትብድሉ ኣየሎኹምን 11 ሕጂ ኸኣ ስምዑኒ፡ ቍጥዓ
እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኹም ነዲዱ ኣሎ እሞ፡ ነዞም ካብ ኣሕዋትኩም ዝማረኽኩምዎም ምሩኻት
ምለስዎም። 12 ሽዑ ገለኻብቶም ሓላቑ ደቂ ኤፍሬም፡ ዓዛርያ ወዲ ዮሓናን በረክያ ወዲ መሺለሞትን
ይሒዝቅያ ወዲ ሻሉምን ዓማሳ ወዲ ሓድላይን ኣብቶም ካብ ውግእ ዝመጹ ተንስኡ፡ 13 በልዎም ድማ፡
በደልናስ ዓብዪ እዩ እሞ፡ ቍጥዓ ኣብ ልዕሊ እስራኤል ነዲዱ ኣሎ። ንስኻትኩም ከኣ በዚ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌና በደል ዚኾነና ጌርኩም፡ ሓጢኣትናን በደልናን ክትውስኹ ኢኹም እትሐስቡ
ዘሎኹም እሞ፡ ነዞም ምሩኻት እዚኦም ናብዚ ኣይተእትውዎም። 14 ሽዑ እቶም ሰብ ውግእ ነቶም
ምሩኻትን ነቲ ምርኮን ኣብ ቅድሚ እቶም ሓላቑን ብዘላ ማሕበርን ሐደግዎም። 15 እቶም ሕጂ እተሰምዩ
ሰባት ከኣ ተንሲኦም ነቶም ምሩኻት ወሰድዎም፡ ንኹሎም ዕሩቓቶም ድማ ካብቲ ምርኮ ኣልዒሎም
ከደንዎም። ምስ ከደንዎም ከኣ። ኣሳእን ሀብዎም፡ መብልዕን መስተን ሀብዎም ዘይቲውን ለኸይዎም፡
ንኹሎም ድኹማት ድማ ኣብ ኣእዱግ ኣስሪሮም፡ ናብ ያሪኮ፡ ናብታ ኸተማ ተምሪ፡ ናብ ኣሕዋቶም
ኣብጽሕዎም። ናብ ሰማርያ ኸኣ ተመልሱ። 16 በታ ጊዜ እቲኣ ንጉስ ኣሃዝ ንነገስታት ኣሶር ኪረድእዎ
ለኣኸሎም። 17 ኤዶማውያንሲ ኸም ብሓድሽ መጺኦም ንይሁዳ ሓደጋ ወዲቖም፡ ምሩኻት ወሰዱ። 18
ፍልስጥኤማውያን ከኣ ኣብ ከተማታት ቈላ ይሁዳን ኣብ ደቡባን ኣትዮም ንቤት ሽመሽን ኣያሎንን
ገደሮትን ንሶኮ ምስ ከተማታታን ንቲምና ምስ ከተማታታን ንጊምዞውን ምስ ከተማታታን ሐዝወን።
ኣባታተን ድማ ተቐመጡ። 19 እግዚኣብሄር ብሰሪ ኣሃዝ ንጉስ እስራኤል፡ ንሱ ንእግዚኣብሄር ኣዝዩ በዲሉ
ንይሁዳ ስዲ ስለ ዝሐደጋ፡ ንይሁዳ ኣዋረዳ። 20 ቲልጋት  ጺልነሰር ንጉስ ኣሶር ግና ናብኡ መጸ፡ ንሱ
ኣጽበበሉ ደኣ እምበር፡ ኣይደገፎን። 21 ኣሃዝ ነታ ቤት እግዚኣብሄርን ቤተ ንጉስን ቤተ ሓላቑን ጕርጒሩ
ንንጉስ ኣሶር ሀቦ፡ ግናኸ ገለ እኳ ኣይተረድኣሉን። 22 እዚ ንጉስ ኣሃዝ በዚ ጊዜ ጸበባኡ ድማ እናወሰኸ
ንእግዚኣብሄር በደሎ። 23 እቶም ኣማልኽቲ ነገስታት ሶርያ ንእኦም ዚሕግዝዎም ስለ ዝኾኑ፡ ኣነ ኸኣ፡
ምእንቲ ኺሕግዙኒ፡ ክስውኣሎም እየ፡ ኢሉ ነቶም ዝሰዐርዎ ኣማልኽቲ ደማስቆ ይስውኣሎም ነበረ።
ግናኸ ንሳቶምስ ንእኡን ንብዘሎ እስራኤልን ደኣ ንውድቀት ኰንዎም። 24 ኣሃዝ ድማ ነቲ ኣቓሑ ቤት
ኣምላኽ ኣከቦ እሞ፡ ነቲ ኣቓሑ ቤት ኣምላኽውን ሰባበሮ፡ ነቲ ደጌታት ቤት እግዚኣብሄር ድማ ዐጸዎ።
ኣብ ኩሉ መኣዝን የሩሳሌም ከኣ ንርእሱ መሰውኢታት ገበረ። 25 ኣብ ብዘለዋ ኸተማታት ይሁዳውን
ንኻልኦት ኣማልኽቲ፡ ኣብኡ ኺዐጥነሎም፡ በረኽቲ ገበረ እሞ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቱ ኣቘጥዖ።
26 እቲ ዝተረፈ ግብሩን ኩሉ መገድታቱን ድማ፡ ቀዳሞትን ዳሕሮትን፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ
ነገስታት ይሁዳን እስራኤልን ተጽሒፉ ኣሎ። 27 ኣሃዝ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብታ ኸተማ፡ ኣብ የሩሳሌም
ከኣ ቀበርዎ፡ ግናኸ ናብቲ መቓብር ነገስታት እስራኤል ኣየእተውዎን። ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ህዝቅያስ

ነገሰ።

# ምዕራፍ 29

1 ህዝቅያስ ወዲ ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ከሎ ነገሰ። ኣብ የሩሳሌም ድማ ዕስራን ትሽዓተን ዓመት
ገዝኤ፡ ስም ኣዲኡ ኸኣ ኣቢያ እዩ፡ ንሳ ጓል ዘካርያስ እያ። 2 ከምቲ ኣቦኡ ዳዊት ዝገበሮ ኹሉ፡ ንሱ ኸኣ
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ። 3 ንሱ በታ መጀመርያ ዓመት መንግስቱ፡ በታ ቐዳመይቲ ወርሒ፡
ነተን ደጌታት ቤት እግዚኣብሄር ከፊተን ጸገነንውን። 4 ነቶም ካህናትን ሌዋውያንን ኣምጺኡ ኸአ፡ ኣብቲ
ብወገን ምብራቕ ዘሎ ገፊሕ ኣደባባይ ኣከቦም፡ 5 በሎም ድማ፡ ኣቱም ሌዋውያን፡ ስምዑኒ፡ ተቐደሱ፡ ነዛ
ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትኩም ከኣ ቀድስዋ፡ ነቲ ርኽሰት ድማ ካብ መቕደስ ኣውጽእዎ። 6
ኣቦታትና በደሉ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽፉእ ዘበለ ገበሩ፡ ንእኡ ድማ ሐደግዎ፡ ገጾም
ካብ ማሕደር እግዚኣብሄር ንንየው መለሱ፡ ዝባኖምውን መለሱሉ። 7 መዓጹ እቲ ገበላ ድማ ዐጸዉ፡
መብራህትታትውን ኣጥፍኡ፡ ኣብ መቕደስ ንኣምላኽ እስራኤል ዕጣን ኣይዐጠኑን፡ ዘሐርር መስዋእቲ
ኸኣ ኣየዕረጉሉን። 8 ስለዚ ድማ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ይሁዳን የሩሳሌምን ኰይኑ ኣሎ እሞ፡
ከምዚ ንስኻትኩም በዒንትኹም እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ንመሰክሕን ብመደነቕን ንመላገጽን ገበሮም። 9
ስለዚ ኸኣ እንሆ፡ ኣቦታትና ብሴፍ ወደቑ፡ ኣወዳትናን ኣዋልድናን ኣንስትናን ድማ ተማሪኾም ኣለዉ። 10
ሕጂስ እቲ ጕሁር ቍጥዓኡ ኻባና ምእንቲ ኺምለስ፡ ምስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኪዳን ክኣቱ
ኣብ ልበይ ሓሳብ ኣሎኒ። 11 ኣቱም ደቀየ፡ ንእኡ ኽተገልግሉ እሞ፡ ኣገልገልቱ ኼንኩም፡ ዕጣን
ክትዐጥኑሉ፡ ኣብ ቅድሚኡ ደው ክትብሉ፡ እግዚኣብሄር ንኣኻትኩም ሐርዩ እዩ እሞ፡ ሕጂስ ሸለል
ኣይትበሉ። 12 ሽዑ እቶም ሌዋውያን ተንስኡ፡ ካብ ደቂ ቀሃታውያን፡ ማሓት ወዲ ኣማሳይን ዮኤል ወዲ
ዓዛርያን፡ ካብ ደቂ መራሪ ድማ፡ ቂስ ወዲ ዓብድን ኣዛርያ ወዲ ዮሃለልኤልን፡ ካብ ጌርሾናውያን ከኣ፡
ዮኣሕ ወዲ ዚማን ዔደን ወዲ ዮኣሕን፡ 13 ካብ ደቂ ኤሊጻፋን ድማ፡ ሺምሪን የዑኤልን፡ ካብ ደቂ ኣሳፍ
ከኣ፡ ዘካርያስን ማታንያን፡ 14 ካብ ደቂ ሄማን ደማ፡ የሒኤልን ሺምዒን፡ ካብ ደቂ የዱቱን ከኣ፡ ሸማዕያን
ዑዚኤልን። 15 ነሕዋቶም ኣኪቦም ድማ ተቐደሱ፡ ከምቲ ንጉስ ብቓል እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም ከኣ ነቲ
ቤት እግዚኣብሄር ኬጽርይዋ ኣተዉ። 16 እቶም ካህናት ድማ ነታ ውሻጠ ቤት እግዚኣብሄር ኬጽርዩ
ኣተዉ እሞ፡ ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር ንዝረኸብዎ ኹሉ ርኽሰት ናብቲ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር
ኣውጽእዎ። እቶም ሌዋውያን ከኣ ተቐቢሎም ናብ ግዳም ናብቲ ርባ ቄድሮን ኣውጽእዎ። 17 በታ
መጀመርያ ወርሒ እሞ በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኪቕድሱ ጀመሩ፡ ነታ ወርሒ እቲኣ ድማ ኣብ ሳምነይቲ
መዓልቲ ናብ ገበላ እግዚኣብሄር መጹ፡ ብሾሞንተ መዓልቲ ኸኣ ነታ ቤት እግዚኣብሄር ቀደስዋ፡ ነታ
መጀመርያ ወርሒ ኣብ መበል ዓሰርተው ሹድሽተ መዓልታ ድማ ወድእዎ። 18 ሽዑ ንሳቶም ናብ ንጉስ
ህዝቅያስ ኣትዮም በልዎ፡ ንብዘላ ቤት እግዚኣብሄር መሰውኢ ምሕራርን ኲሉ ኣቓሑኡን፡ ነቲ ሰደቓ
እንጌራ ምርኣይን ኲሉ ኣቓሑኡን፡ ኣጽሪናዮ ኣሎና። 19 ነቲ ንጉስ ኣሃዝ ኪገዝእ ከሎ፡ ብምብዳሉ
ዝደርበዮ ኹሉ ኣቓሑ ኸኣ ኣዳሊናዮን ቀዲስናዮን፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ እግዚኣብሄር
ኣሎ። 20 ሽዑ ንጉስ ህዝቅያስ ኣንጊሁ ተንስኤ፡ ንሓላቑ እታ ኸተማ ኸኣ ኣከቦም፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄር
ድማ ደየበ። 21 ምእንቲ መንግስትን ምእንቲ እቲ መቕደስን ምእንቲ ይሁዳን ድማ ንመስዋእቲ ሓጢኣት
ዚኾኑ ሾብዓተ ብዕራይን ሾብዓተ ድዑልን ሾብዓተ ገንሸልን ሾብዓተ ዲበላን ኣቕረቡ። ኣብቲ መሰውኢ
እግዚኣብሄር ኪሰውእዎም ከኣ፡ ነቶም ካህናት ደቂ ኣሮን ኣዘዞም። 22 ሽዑ ነቶም ኣብዑር ሐረድዎም፡

ካህናት ድማ ነቲ ደም ተቐቢሎም ናብቲ መሰውኢ ነጸግዎ፡ ነቶም ደዓውልውን ሐሪዶም ነቲ ደም ናብ መሰውኢ ነጸግዎ። ነቶም ገናሽል ከኣ ሐሪዶም፡ ነቲ ደም ናብ መሰውኢ ነጸግዎ። [23] ነቶም ዲበላታት መስዋእተ ሓጢኣት ድማ ናብ ቅድሚ ንጉስን ማሕበርን ኣቕረብዎም፡ ኣእዳዎም ከኣ ኣብ ልዕሊኦም ኣንበሩ። [24] እቲ ንጉስሲ እቲ ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ሓጢኣትን ምእንቲ ብዘሎ እስራኤል ኪግበር ኣዚዙ ነበረ እሞ፡ እቶም ካህናት ሐረድዎም፡ በቲ ደሞም ከኣ ንብዘሎ እስራኤል ንመተዓረቒ ዚኸውን መስዋእቲ ሓጢኣት ኣብቲ መሰውኢ ሰውኡ። [25] እቲ ትእዛዝሲ ብነብያቱ ኻብ እግዚኣብሄር እዩ ዝነበረ እሞ፡ ከም ትእዛዝ ዳዊትን ጋድ እቲ ናይ ንጉስ ረኣይን ነብዩ ናታንን፡ ነቶም ሌዋውያን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ምስ ጸናጽልን ምስ መሰንቆታትን ምስ በገናታትን ኣቘሞም። [26] ሌዋውያን ከኣ ምስቲ ናይ ዳዊት መሳርያ ሙዚክ ካህናትውን ምስ መለኸታት ቈይሞም ነበሩ። [27] ህዝቅያስ ድማ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣብ መሰውኢ ኪስዋእ ኣዘዘ። እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኪጅመር ከሎ ኸኣ፡ መዝሙር እግዚኣብሄርን መለኸታትን ብሓንሳእ ምስቲ ናይ ዳዊት ንጉስ እስራኤል መሳርያ ሙዚክ ጀመረ። [28] ብዘሎ እቲ ማሕበር ከኣ ይሰግድ ነበረ፡ እቶም ዘመርቲ ድማ ይዝምሩ ነበሩ፡ መለኸታትውን ተነፍሔ፡ እዚ ኹሉ ድማ እተ ዚሐርር መስዋእቲ ኽሳዕ ዚፍጸም ኰነ። [29] ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ ምስ ፈጸምዎ ኸኣ፡ እቲ ንጉስን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ኹሎምን ፍግም ኢሎም ሰገዱ። [30] ንጉስ ህዝቅያስን እቶም ሓላቒን ድማ ነቶም ሌዋውያን ብቓል ዳዊትን ኣሳፍ እቲ ረኣይን ንእግዚኣብሄር ምስጋና ኺዝምሩ ኣዘዝዎም። ተሐጒሶም ከኣ ምስጋና ዘመሩ፡ ፍግም ኢሎምውን ሰገዱ። [31] ህዝቅያስ ድማ፡ ሕጂ ኣእዳውኩም ንእግዚኣብሄር መሊእኩም ኢኹም እሞ፡ ቅረቡ፡ መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ምስጋናን ከኣ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣእትዉ፡ ኢሉ መለሰ። እቲ ማሕበር ከኣ መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ምስጋናን ኣምጽኤ፡ ፍቶት ልቢ ዘለዎ ኹሉ ድማ ዚሐርር መስዋእቲ ኣቕረበ። [32] ቍጽሪ እቲ ማሕበር ዘምጽኦ ዚሐርር መስዋእቲ ኸኣ ሰብዓ ብዕራይ፡ ሚእቲ ድዑል፡ ክልተ ሚእቲ ገንሸል እዩ፡ እዚ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ እዩ ዝነበረ። [33] እቲ ዝቐደስዎ ነገር ድማ ሹድሽተ ሚእቲ ብዕራይን ሰለስተ ሽሕ ኣባጊዕን እዮም። [34] እቶም ካህናት ግና ውሑዳም ነበሩ እሞ ንኹሎም እቶም መስዋእቲ ምሕራር ምቕላጦም ኣይከኣሉን፡ ስለዚ ኸኣ እዚ ዕዮዚ ኽሳዕ ዘውዳእ፡ እቶም ካህናትውን ክሳዕ ዚቕደሱ፡ ኣሕዋቶም ሌዋውያን ሐገዝዎም። ከመይሲ እቶም ሌዋውያን ካብቶም ካህናት ዚበልጹ ንምቕዳስ ዚኸውን ቅኑዕ ልቢ ነበሮም። [35] ምስቲ ስብሒ መስዋእቲ ምስጋናን ምስቲ ንዚሐርር መስዋእቲ ኢሉ እተቐረበ መስዋእቲ መስተን ድማ እቲ ዚሐርር መስዋእቲ ብዙሕ ነበረ። እቲ ኣገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ተሰርዔ። [36] እቲ ነገር ብሃንደበት እዩ ዝኾነ እሞ፡ ህዝቅያስን ብዘሎ እቲ ህዝብን ከኣ ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ንህዝቢ ዘዳለወሉ ተሐጒሱ።

# ምዕራፍ 30

[1] ህዝቅያስ ድማ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ናብ የሩሳሌም ኪመጹ እሞ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ፋስጋ ኼብዕሉ ኢሉ፡ ናብ ብዘሎ እስራኤልን ይሁዳን ለኣኸ፡ ናብ ኤፍሬምን ምናሴን ከኣ ደብዳበ ጸሐፈ። [2-3] ግናኸ እቶም ካህናት ዚኣኽሉ ኰይኖም ስለ ዘይተቐደሱን፡ እቲ ህዝቢውን ኣብ የሩሳሌም ስለ ዘይተኣከበን፡ በቲ ጊዜኡ ፋስጋ ኼብዕሉ ኣይከኣሉን እሞ፡ እቲ ንጉስ ሓላቒኡን ብዘላ ማሕበር የሩሳሌምን ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ ኺበዐል ተማኺሮም ነበሩ። [4] እዚ ነገር እዚ ንንጉስን ንብዘላ እታ ማሕበርን ቅኑዕ ኰይኑ ተራእዮም። [5] ከምቲ ጽሑፍ ገይሮም ካብ ነዊሕ ዘመን ኣየብዐልዎን እሞ

መጺኦም ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኣብ የሩሳሌም ፋስጋ ኼብዕሉ ኢሎም፡ ካብ ብኤር ሸባዕ
ክሳዕ ዳን ኣብ ብዘሎ እስራኤል ኣዋጅ ኪእወጅ መደቡ። 6 እቶም ልኡኻት ድማ ደብዳቤታት ንጉስን
ሓላቑኡን ሒዞም ናብ ብዘሎ እስራኤልን ይሁዳን ከዱ እሞ፡ ከምቲ ትእዛዝ ንጉስ ከምዚ ኢሎም ነገሩ፡
ኣቱም ደቂ እስራኤል፡ ካብ ኢድ ነገስታት ኣሶር ዝመለቕኩም ተረፍ፡ ምእንቲ ኺምለሰኩም ናብ
እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን እስራኤልን፡ ተመለሱ። 7 ከምቶም ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ
ኣቦታቶም ዝበደሉ ኣቦታትኩምን ኣሕዋትኩምን ኣይትኹኑ፡ ንሱ ኸኣ፡ ከምዚ እትርእይዎ ዘሎኹም፡
ኣባደሞም፡ 8 ሕጅስ ከምቶም ኣቦታትኩም ተረርቲ ኽሳድ ኣይትኹኑ፡ ኢድኩም ደኣ ንእግዚኣብሄር ሀቡ፡
ናብቲ ንዘለኣለም ዝቐደሶ መቕደሱ ምጹ፡ እቲ ነዲ ቑጥዓኡ ኻባኻትኩም ምእንቲ ኺምለስ ከኣ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ኣገልግልዎ። 9 ናብ እግዚኣብሄር እንተ ተመለስኩምሲ፡ እቶም ኣሕዋትኩምን
ደቅኹምን ከኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ማሪኾምዎም ዘለዉ ምሕረት ኪረኽቡ፡ ናብዛ ሃገር እዚኣውን
ኪምለሱ እዮም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ርሕሩሕን መሓርን እዩ እሞ፡ ናብኡ እንተ ተመለስኩም፡
ንሱ ድማ ገጹ ኻባኻትኩም ኣይኪመልሶን እዩ። 10 እቶም ልኡኻት ከኣ ካብ ከተማ ናብ ከተማ ብሃገር
ኤፍሬምን ምናሴን ክሳዕ ዛብሎን ሐለፉ። ግናኸ ስሐቑሎምን ኣላገጹሎምን። 11 ካብ ኣሴርን ምናሴን ካብ
ዛብሎንን ግና ሓያሎ ሰባት ርእሶም ኣትሒቶም ናብ የሩሳሌም መጹ። 12 እቲ ብቓል እግዚኣብሄር ብኹነ
ትእዛዝ ንጉስን ሓላቑን ኪገብሩስ፡ ሓደ ልቢ ኺህቦም፡ ኣብ ይሁዳ ድማ ኢድ ኣምላኽ ኰነ። 13 ኣብታ
ኻልኣይቲ ወርሒ ኸኣ በዓል ቅጫ ኼብዕሉ፡ ብዙሓት ህዝቢ፡ ኣዝዮም ዓብዪ ማሕበር፡ ኣብ የሩሳሌም
ተኣከበ። 14 ተንሲኦም ከኣ ኣብ የሩሳሌም ንዝነበሩ መሰውኢታት ኣርሐቑ፡ ንኹሉ መሰውኢታት ዕጣን
ድማ ወሲዶም ኣብ ርባ ቄድሮን ደርበይዎ። 15 ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ ብመበል ዓሰርተው ኣርባዕተ
መዓልቲ ኸኣ ፋስጋ ሐረዱ። እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ድማ ሐፈሩ፡ ተቐዲሶም ከኣ ዚሐርር መስዋእቲ
ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣምጽኡ። 16 ከምቲ ሕጊ ሙሴ፡ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ኣብ በቦታኦም ደው በሉ፡
እቶም ካህናት ካብ ኢድ ሌዋውያን ተቐቢሎም ነቲ ደም ይነጽጉ ነበሩ። 17 ኣብታ ማሕበርሲ ብዙሓት
ዘይተቐደሱ ነበሩ እሞ፡ እቶም ሌዋውያን ምእንቲ እቶም ዘይነጽሁ ኹሎም ፋስጋ ሐሪዶም
ንእግዚኣብሄር ቀደስዎም። 18-19 ካብቲ ህዝቢ ብዙሓት፡ ካብ ኤፍሬምን ምናሴን ይሳኮርን ዛብሎንን
ብዙሓት ሰብ፡ ከምቲ ጽሑፍ ዘይኰነ ደኣ ፋስጋ በልዑ እምበር፡ ኣይነጽሁን። ህዝቅያስ ግና፡ እቲ
ሕያዋይ እግዚኣብሄር ነቲ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እቲ ኣምላኽ ኣቦታቱ፡ ኪደልዮም ልቡ ዘቕንዔ ዘበለ
ኹሉ፡ ንሱ ኸምቲ ምንጻህ መቕደስ እኳ እንተ ዘይነጽሄ፡ ይቕረ ደኣ ይበለሉ፡ ኢሉ ምእንታኦም ለመነ።
20 እግዚኣብሄር ከኣ ንህዝቅያስ ሰሚዑ፡ ነቲ ህዝቢ ኣሕወዮ። 21 እቶም ኣብ የሩሳሌም እተረኽቡ ደቂ
እስራኤል ከኣ ብዓብዪ ሓጎስ ሾብዓተ መዓልቲ በዓል ቅጫ ኣብዐሉ። ሌዋውያንን ካህናትን ድማ
ንእግዚኣብሄር መዓልቲ ንመዓልቲ ብመሳርያ ሙዚክ ንእግዚኣብሄር ምስጋና ዘመሩ። 22 ህዝቅያስ ድማ
ንልቢ እቶም ኣብ ኣገልግሎት እግዚኣብሄር ኣጸቢቖም ዜስተውዕሉ ዝነበሩ ኹሎም ሌዋውያን ጥዑም
ተዛረቦም። በቲ በዓል፡ በተን ሾብዓተ መዓልቲ እቲኣተን፡ ከኣ መስዋእቲ ምስጋና እናዕረጉን
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም እናመስገኑን ይበልዑ ነበሩ። 23 ብዘለዉ እቶም ማሕበር ድማ ካልኦት
ሾብዓተ መዓልቲ ኼብዕሉ ኣስመሩ፡ ካልኦት ሾብዓተ መዓልቲውን ብሓጐስ ኣብዐሉ። 24 ህዝቅያስ ንጉስ
ይሁዳ ነቲ ማሕበር ንምስዋእ ሽሕ ብዕራይን ሾብዓተ ሽሕ በጊዕን ኣምሃ ሀበ። እቶም ሓላቑ ድማ
ንማሕበር ሽሕ ብዕራይን ዓሰርተ ሽሕ በጊዕን ኣምሃ ሀቡ። ብዙሓት ካህናት ከኣ ተቐደሱ። 25 ብዘሎ
ማሕበር ይሁዳ ድማ ምስናይ ካህናትን ሌዋውያንን ብዘሎ እቲ ኻብ እስራኤል ዝመጸ ማሕበርን እቶም
ወሰንተኛታት ካብ ምድሪ እስራኤል ዝመጹን ኣብ ይሁዳ ዚቕመጡ ዝነበሩን ተሐጎሱ። 26 ካብ ዘመን

ሰሎሞን፡ ንጉስ እስራኤል ወዲ ዳዊት፡ ከምዚ ዝበለ ኣብ የሩሳሌም ኣይተገብረን እሞ፡ ኣብ የሩሳሌም
ዓብዪ ሓጐስ ኰነ። 27 እቶም ሌዋውያን ካህናት ከኣ ተንሲኦም ነቲ ህዝቢ ባረኽዎ፡ ድምጾም ድማ
ተሰምዔ፡ ጸሎቶምውን ኣብ ሰማይ፡ ኣብታ ቅድስቲ ማሕደሩ፡ ኣተወ።

## ምዕራፍ 31

1 እዚ ዅሉ ምስ ተፈጸመ ኸኣ፡ ኣብኡ እተረኽበ ዘበለ ብዘለዉ እስራኤል ናብ ከተማታት ይሁዳ ወጹ
እሞ ነቲ ኣዕኑድ ሰበርዎ፡ ንኣስታርቴታት ድማ ቈራረጽዎ፡ ካብ ብዘሎ ይሁዳን ብንያምን ኤፍሬምን
ምናሴን ከኣ በረኽትን መሰውኢታትን ክሳዕ ዚጥርሱ፡ ኣፍረስዎም። ኲሎም ደቂ እስራኤል ድማ፡ ነፍሲ
ወከፍ ነናብ ርስቱ፡ ናብ ከተማታቶም ተመልሱ። 2 ህዝቅያስ ድማ ነቶም ክፍልታት ካህናትን ሌዋውያንን
ኣብ ከክፍሎም ኪኾኑ መደቦም፡ እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ከኣ ነፍሲ ወከፍ ከከም ምግልጋሉ
ዚሐርር መስዋእትን መስዋእቲ ምስጋናን ኬዕርጉን ኬገልግሉን ኣብተን ደጌታት ሰፈር እግዚኣብሄር
ኪውድሱን ኬመስግኑን ሰርዖም። 3 እቲ ንጉስ ድማ ንዚሐርር መስዋእቲ፡ ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር
ጽሑፍ ዘሎ፡ ነቲ ንግሆን ምሸትን ዚሐርር መስዋእትን ነቲ ኣብ ሰናብትን ኣብ ሰርቂ ወርሕን ኣብ
ምዱባት በዓላትን ዚሐርር መስዋእትን ዚኸውን ካብ ገንዘቡ ሀበ። 4 ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ህዝቢ
ድማ፡ ነቶም ካህናትን ሌዋውያንን፡ ንሳቶም ኣብቲ ሕጊ እግዚኣብሄር ምእንቲ ኺጸንዑ፡ ግዲኦም
ኪህብዎም ኣዘዞም። 5 እዚ ትእዛዝ እዚ ምስ ወጸ ድማ፡ ደቂ እስራኤል ካብ እኽልን ካብ ወይንን ዘይትን
መዓርን ካብ ኲሉ እቶም ግራሁን በዅራት ኣብዚሖም ሀቡ፡ ናይ ኲሉ ኣስራትውን ኣብዚሖም
ኣእተዉ። 6 እቶም ኣብ ከተማታት ይሁዳ ዚነብሩ ደቂ እስራኤልን ይሁዳን ከኣ ካብ ኣብዑርን ኣባጊዕን
ኣስራት፡ ካብቲ ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም ኢሎም ዝቐደስዎ ቅዱሳት ነገር ድማ ኣስራት ኣምጽኡ፡
ኲምራታት ከኣ ገበርዎ። 7 ኣብ ሳልሰይቲ ወርሒ ኪዂምሩ ጀመሩ፡ በታ ሳብዐይቲ ወርሒ ድማ
ወድእዎ። 8 ህዝቅያስን እቶም ሓላቑን መጺኦም ነቲ ዂምራታት ምስ ረኣይዎ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሄር
ንህዝቡ እስራኤልን ባረኹ። 9 ህዝቅያስ ድማ ነቶም ካህናትን ሌዋውያንን ብዛዕባ እቲ ዂምራታታ
ሐተቶም። 10 ሽዑ እቲ ኻብ ማይ ቤት ጻዶቅ ዝነበረ ሊቀ ኻህናት ኣዛርያ ኸምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ እቲ
መባእ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ምእታው ካብ ዚጅምር ሒዝና ኽሳዕ እንጽግብ ንበልዕ ነበርና፡ ብዙሕ ከኣ
ኣትረፍና። እግዚኣብሄር ንህዝቡ ባሪኽዎ እዩ እሞ፡ እቲ ተሪፉ ዘሎ እዚ ድልቢ እዚ እዩ። 11 ህዝቅያስ
ድማ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ማዕከን ኪዳሎ ኣዘዘ፡ ኣዳለዉ ኸኣ። 12 መባእን ኣስራትን እቲ እተቐደሰ
ነገርን ከኣ ተኣሚኖም ናብኡ ኣእተዉ። ኣብ ልዕሊ እዚ ነገር እዚ ድማ ኮናንያ ሌዋዊ ተሸይምዎ ነበረ፡
ካልኣይ ከኣ ሓዉ ሺምዒ። 13 ብትእዛዝ ንጉስ ህዝቅያስን ኣዛርያ መስፍን ቤት ኣምላኽን ድማ የሒኤልን
ኣዛዝያን ናሓትን ዓሳሄልን የሪሞትን ዮዛባድን ኤሊኤልን ይስማኪያን ማሓትን ባናያን ኣብ ትሕቲ ኢድ
ኮናንያን ሺምዒ ሓዉን ሓለውቲ ነበሩ። 14 ቆሬ ወዲ ይምና ሌዋዊ፡ ሓላዊ እታ ምብራቓዊት ደገ ኸኣ ነቲ
መባእ እግዚኣብሄርን ነቲ ቅዱስ ቅዱሳን ነገርን ኪዕድሎ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ብፍታው ንኣምላኽ እተሰውኤ
መባእ ዋና ዀነ። 15 ኣብ ትሕቲ ኢዱ ድማ፡ ነቶም ኣሕዋቶም ከከምቲ ኽፍሎም ንዓብይን ንንኡስን
ኪዕድሉሎም፡ ዔዴንን ሚንያሚንን የሹዓን ሸማዕያን ኣማርያን ሸካንያን ብእምነት ኣብ ከተማታት
ካህናት ተሸይሞም ነበሩ። 16 ኣብ ርእሲ እዚውን ነቶም ኣብ መጽሓፍ ወለዶ እተጻሕፉ ኣወዳት ካብ ወዲ
ሰለስተ ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ፡ እቶም ከከም ክፍሎም ከከም ኣገልግሎቶም ነቲ ነናይ መዓልቲ ዜድሊ
ነገር ኪገብሩ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዚኣትዉ ዘበሉ ዂሎም፡ 17 ከምኡ ድማ ነቶም በብማይ ቤት

ኣቦታቶም እተጻሕፈ ኻህናት፡ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ ዘለዉ፡ ኣብ ከክፍሎም ከከም ኣገልግሎቶም እተጻሕፉ ሌዋውያን፡ [18] ኣብቲ እተመዘዝዎ መዞም ደማ ርእሶም ብእምነት ቀደሱ እሞ፡ ነቶም እተጻሕፉ ኹሎም ሕጻናቶምን ኣንስቶምን ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን፡ ብዘለዉ ናይታ ማሕበር፡ [19] ነቶም ኣብ ከከባቢ ኸተማታቶም ዘሎ ግራሁ ዝነበሩ ኻህናት ደቂ ኣሮን ድማ፡ ካብ ካህናት ተባዕታይ ንዘበለን ካብ ሌዋውያን ንተጻሕፈ ዘበሉ ኹሎምን ገግዲኦም ኪህብዎም፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ከተማ በብስሞም እተመደቡ ሰባት ነበሩ። [20] ህዝቅያስ ከኣ ኣብ ብዘሎ ይሁዳ ኸምኡ ገበረ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ጽቡቕን ቅኑዕን ሓቅን ገበረ። [21] ብኣገልግሎት ቤት ኣምላኽን ብሕግን ብትእዛዝን ድማ ንኣምላኹ ደልዩ ዝጀመሮ ኹሉ ዕዮ፡ ብምሉእ ልቡ ገበሮ እሞ፡ ሰለጠሉ።

# ምዕራፍ 32

[1] ድሕሪ እዚ ነገር እዝን እዛ እምነት እዚኣን ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር መጺኡ ናብ ይሁዳ ኣተወ፡ ኣብ ቅድሚ እተን እተዐርዳ ኸተማታት ሰፈሩ ድማ፡ ንርእሱ ኪሕዘን ሓሰበ። [2] ህዝቅያስ ከኣ ሰናክሬብ ከም ዝመጸን ንየሩሳሌም ኪዋግኣ ኸም ዝሓሰበን ምስ ረኣየ፡ [3] እቲ ኣብ ወጻኢ ኸተማ ዘሎ ማያት ኣብ ዓዓይኑ ኺድፈን፡ ምስቶም መኳንንቱን ጀጋኑኡን ተማኸረ እሞ፡ ንሳቶም ድማ ሐገዝዎ። [4] ብዙሓት ሰብ ተኣኪቦም ከኣ፡ ስለምንታይ እቶም ነገስታት ኣሶር መጺኦም ብዙሕ ማይ ዚረኽቡ ኢሎም ንኹሉ ዓይኒ ማያትን ነቲ ብማእከል እታ ሃገር ዚውሕዝ ርባን ዐጸውዎ። [5] ተቢዑ ድማ ንብዘሎ እቲ ፈሪሱ ዝነበር መንደቕ ነደቐ፡ ነቲ ግምብታት ከኣ ኣንውሖ፡ ኣብ ወጻኢኡ ድማ ካልኣይ መንደቕ ነደቐ። ንሚሎ ኸተማ ዳዊት ከኣ ኣጽንዓ፡ ብዙሕ መሳርያታትን ዋላቱን ድማ ገበረ። [6] ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ድማ ሓላቑ ውግእ ሾመ፡ ናብታ ኣብ ኸተማ ዘላ ገፋሕ ስፍራ ኸኣ ናብኡ ኣከቦም እሞ፡ ከምዚ ኢሉ ንልቦም ተዛረቦ፡ [7] ጽንዑን ትብዑን፡ ካብቲ ምስኡ ዘሎስ እዚ ምሳና ዘሎ ይዐቢ እዩ እሞ፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኣሶርን ኣብ ቅድሚ ኹሉ እቲ ምስኡ ዘሎ ጥፍራን ኣይትፍርሁን ኣትሸበሩን። [8] እቲ ምስኡ ዘሎ ቕልጽም ስጋ እዩ፡ እቲ ኺረድኣና ውግእና ኺዋግኣልና ምሳና ዘሎ ግና እግዚኣቢሄር ኣምላኽና እዩ። እቲ ህዝቢ ድማ በቲ ዘረባ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ሀድኤ። [9] ድሕርዚ ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር፡ ንሱን ብዘሎ ሰራዊቱ ኸኣ ምስኡን ፡ኣብ ቅድሚ ላኪሽ ሰፈሩ ኸሎ፡ ገላዉኡ ናብ የሩሳሌም ናብ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳን ናብቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ኹሎም ሰብ ይሁዳን ሰደደ እሞ በለ፡ [10] ሰናክሬብ እቲ ንጉስ ኣሶር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብዛ ኽብብቲ የሩሳሌም ተቐሚጥኩም ዘሎኹምሲ፡ ንመን ኣሚንኩም ኢኹም፡ [11] ብጥሜትን ብጽምኣትን ክትሞቱስ፡ ህዝቅያስዶ ኣይኮነን፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኻብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ኬናግፈና እዩ፡ እናበለ ዜስሕተኩም ዘሎ፡ [12] እቲ ንበረኽቱን ንመሰውኢታቱን ኣግሊሱ ንይሁዳን ንየሩሳሌምን፡ ኣብ ቅድሚ ሓደ መሰውኢ ስገዱ፡ ኣብ ልዕሊኡ ድማ ዕጠኑ፡ ዝበለስ፡ እዚ ህዝቅያስ እዚዶ ኣይኮነን [13] ኣነን ኣቦታተይን ንኹሎም ህዝብታት ሃገራት ዝገበርናዮምዶ ኣይፈለጥኩምን ኣማልኽቲ ኣህዛብ እተን ሃገራት እቲኤንከ ንሃገሮም ካብ ኢደይዶ ኼናግፍወን ከኢሎም እዮም [14] ካብቶም ኣማልኽቲ ናይዞም ኣቦታተይ ዘጥፍእዎም ኣህዛብ እዚኦምሲ ንህዝቡ ኻብ ኢደይ ኬናግፎ ዝኽኣለ መን እዩ [15] እምበኣርሲ ህዝቅያስ ኣይጠብርኩምን በዚ ነገር እዚ ኣይሐባብልኩምን፡ ኣይትእመንዎ ኸኣ። ከመይሲ ናይ ዝኾነ ይኹን ህዝብን መንግስትን ኣምላኽ ዘበለ ንህዝቡ ኻብ ኢደይ ወይስ ካብ ኢድ ኣቦታተይ ኬናግፎ ዝኸኣለ መን እዩ ኣምላኽኩም ግዳ ኸመይ ገይሩ እዩ ኻብ ኢደይ ዜናግፈኩም [16] እቶም ገላዉኡ ድማ ወሲኾም ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር ኣምላኽን ኣብ ልዕሊ ባርያኡ ህዝቅያስን ተዛረቡ። [17] ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ

እስራኤል ኪጻርፎ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ኪዛረብሲ፡ ከምቲ ኣማልኽቲ ኣህዛብ ሃገራት ንህዝቦም ካብ ኢደይ
ዘየድሐንዎም፡ ከምኡ ድማ ኣምላኽ ህዝቅያስ ንህዝቡ ኻብ ኢደይ ኣይኬድሕኖምን እዩ ኢሉ ደብዳበ
ጸሓፈ። 18 ነታ ኸተማ ምእንቲ ኺሕዝዋ ድማ፡ ነቶም ኣብ ልዕሊ መንደቕ ዝነበሩ ህዝቢ የሩሳሌም
ኬፍርህዎምን ኬሸብርዎምንሲ ዓው ኢሎም ብቛንቋ ኣይሁድ ተዛረብዎም። 19 ብዛዕባ ኣምላኽ የሩሳሌም
ድማ፡ ከምቲ ብዛዕባ እቶም ስራሕ ኢድ ሰብ ዝዀኑ ኣማልኽቲ ኣህዛብ ምድሪ፡ ገይሮም ይዛረቡ ነበሩ።
20 ንጉስ ህዝቅያስን ነብዩ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽን ግና ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ጸለዩ፡ ናብ ሰማይውን
ተማህለሉ። 21 እግዚኣብሄር ድማ ሓደ መልኣኽ ሰደደ፡ ንሱ ኸኣ ነቶም ኣብ ሰፈር ንጉስ ኣሶር ዝነበሩ
ዅሎም ሓያላት ጀጋኑን መሳፍንትን ሓላቖን ኣጥፍኦም፡ ንሱ ኸኣ ገጹ ሐፊሩ ናብ ሃገሩ ተመልሰ። ናብ
ቤት ኣምላኹ ምስ ኣተወ ድማ፡ እቶም ካብ ከርሱ ዝወጹ ኣብኡ ብሴፍ ቀተልዎ። 22 እግዚኣብሄር ድማ
ንህዝቅያስን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነብሩን ካብ ኢድ ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶርን ካብ ኢድ ኲሎም ካልኦት
ኣድሐኖም፡ ብዅሉ ወገን ድማ ሐለዎም። 23 ብዙሓት ከኣ ንእግዚኣብሄር ናብ የሩሳሌም መባእ፡ ክቡር
ነገራት ከኣ ንህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ኣምጽኡ። ድሕሪ እዚ ድማ ንሱ ኣብ ኣዒንቲ ዅሎም ኣህዛብ ልዑል
ኰይኑ ተራእየ። 24 በቲ ጊዜ እቲ ህዝቅያስ ናብ ሞት ክሳዕ ዜቕርብ ሐመመ እሞ ንእግዚኣብሄር ለመነ፡
ንሱ ኸኣ ተዛረቦ፡ ምልክትውን ሀቦ። 25 ግናኸ ህዝቅያስ፡ ልቡ ደኣ ተዐበየ እምበር፡ ነቲ ዝረኸቦ ኬርንትሲ
ውሬታ ኣይመለሰሉን፡ ስለዚ ኣብ ልዕሊኡን ኣብ ልዕሊ ይሁዳን የሩሳሌምን ቍጥዓ ዀነ። 26 ህዝቅያስ
ግና ልቡ ብምዕባዩ ምስቶም ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ርእሱ ኣተሐተ፡ ስለዚ ኸኣ እቲ ቍጥዓ እግዚኣብሄር
ብዘመን ህዝቅያስ ኣብ ልዕሊኦም ኣይመጸን። 27 ህዝቅያስ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብትን ክብረትን ነበሮ
እሞ፡ ንብሩርን ንወርቅን ንኽቡር ኣእማንን ንቐመማትን ንዋላቱን ንዅሉ ዓይነት ክቡር ኣቓሑን ቤት
መዛግብቲ ገበረ። 28 ንእቶም እኽልን ወይንን ዘይትን ድማ ሪቕ፡ ንዅሉ ዓይነት እንስሳ ኸኣ ጋጻት ሰርሔ፡
መጓሴታትውን ኣብ ደምቤታቱ ነበራኦ። 29 ኣምላኽ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ ሂብዎ ነበረ እሞ፡ ከተማታት
ሰርሔ፡ ብዙሓት ከብትን ኣባጊዕን ድማ ኣጥረየ። 30 ነቲ ላዕላይ ዓይኒ ማይ ጊሆን ዐቢሱስ፡ ናብ ምዕራብ
ከተማ ዳዊት ኣቢሉ ዘውሐዞ ኸኣ እዚ ህዝቅያስ እዚ እዩ። ህዝቅያስ ድማ ኲሉ ግብሩ ሰለጠሉ። 31
ምስናይዚ ግና እቶም ብዛዕባ እቲ ኣብታ ሃገር እተገብረ ተኣምራት ኪጥይቑ ናብኡ እተላእኩ ልኡኻት
መሳፍንቲ ባቢሎን ምስ መጹ፡ ኣምላኽ ነቲ ኣብ ልቡ ዝነበረ ዘበለ ዅሉ ምእንቲ ኺፈልጦስ፡ ኪፈትኖ
ኢሉ ሐደጎ። 32 እቲ ዝተረፈ ናይ ህዝቅያስ ነገርን ናይ ለውሃት ተግባሩን እንሆ፡ ንሱ ኣብቲ ራእይ ነብዩ
ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ኣብ መጽሓፍ ነገስታት ይሁዳን እስራኤልን ተጽሒፉ ኣሎ። 33 ህዝቅያስ ድማ ምስ
ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብታ ናብ መቓብራት ደቂ ዳዊት እተደይብ ቦታ ኸኣ ቀበርዎ። ብዘላ ይሁዳን እቶም
ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩን ድማ ብሞቱ ኣኽበርዎ ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ወዱ ምናሴ ነገሰ።

# ምዕራፍ 33

1 ምናሴ ኺነግስ ከሎ፡ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሓምሳን ሓሙሽተን
ዓመት ገዝኤ። 2 ንሱ ኸኣ፡ ከምቲ ናይቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራእሕኣል ዝሰጐጎም ኣህዛብ
ዝበለ ጽያፍ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። 3 ንሱ ድማ ነቲ ኣቦኡ ህዝቅያስ ዘፍረሶ በረኽቲ
መሊሱ ሰርሐ፡ ንበዓላት ከኣ መሰውኢታት ኣቘመ፡ ኣስታርቴታትውን ገበረ፡ ንብዘለዉ ሰራውቲ ሰማይ
ሰገደሎምን ኣገልገሎምን። 4 ኣብታ እግዚኣብሄር ብዛዕባኣ፡ ስመይ ኣብ የሩሳሌም ንዘለኣለም ኪነብር እዩ፡
ዝበለላ፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር እኳ መሰውኢታት ሰርሔ። 5 ንብዘለዉ ሰራዊት ሰማይ ድማ ኣብ

ክልቲኡ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር መሰውኢታት ሰርሓሎም። 6 ንሱ ኣብ ወዲ ሂኖም ንደቁ ብሓዊ
ኣሕለፎም፡ ብደበና ብተመን ገይሩ ድማ ይፈልጥ ነበረ፡ ኣስማት ይገብርን ይጥንቍልን ነበረ፡ መንፈስ
ጠንቈላ ዘለዎምን መውደቕቲ ዛዕጐልን ድማ ኣከበ፡ ምእንቲ ኬሾርዮ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ብዙሕ ክፉእ ገበረ። 7 ነቲ ዝገበሮ ምስሊ ጣኦትውን ኣብቲ ቤት ኣምላኽ ኣንበሮ፡ ብዛዕባ እታ ቤት ግና
ኣምላኽ ንዳዊትን ንወዱ ሰሎሞንን በሎም፡ ኣብዛ ቤት እዚኣን ኣብዛ ኻብ ኩሎም ነገዳት እስራኤል
ዝሐረኽዋ የሩሳሌምን ስመይ ንዘለኣለም ከንብር እየ። 8 ሓንትስ ነቲ ዝኣዘዝክዎም ኩሉ፡ ከምቲ ብሙሴ
እተዋህበ ኹሉ ሕግን ስርዓታትን ፍርድታትን ደኣ ንምግባሩ ተጠንቀቑሉ እምበር፡ ንእግሪ እስራኤል
ካብዛ ነቦታትኩም ዝመደብኩሎም ምድሪ መሊሰ ኣየግልሶን እየ። 9 ምናሴ ድማ ንይሁዳን ኣብ የሩሳሌም
ንዚነብሩን ካብ ናይ እቶም እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ደቂ እስራኤል ዘጥፍኦም ኣህዛብ ዝገደደ ኺገብሩ
ኣስሓቶም። 10 እግዚኣብሄር ከኣ ንምናሴን ንህዝቡን ተዛረቦም፡ ንሳቶም ግና ናብኡ ኣየቕለቡን። 11 ሽዑ
እግዚኣብሄር ናብቲ ንጉስ ኣሶር ሓላቑ ሰራዊት ናብ ልዕሊኦም ከም ዝመጹ ገበረ፡ ንሳቶም ድማ ንምናሴ
ብመቓጥን ሐዝዎ፡ ብኽልተ ሰንሰለት ኣሰራዚ ኣሲሮም ከኣ ናብ ባቢሎን ወሰድዎ። 12 ዓቕሉ ምስ ጸበቦ
ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ጸለየ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣቦታቱውን ኣዝዩ ርእሱ ኣትሓተ።
13 ናብኡ ኸኣ ተማህለለ፡ ንሱ ድማ ራሕረሓሉ፡ ጸሎቱ ኸኣ ሰምዖ፡ ናብታ መንግስቱውን ናብ የሩሳሌም
መለሶ። ሽዑ ምናሴ፡ እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ፈለጠ። 14 ድሕርዚ ድማ ንሱ ንኸተማ
ዳዊት ኣብ ወገን ምዕራብ ጊሆን፡ ኣብታ ለሰ ኽሳዕ ናብቲ ብደገ ዓሳ ዚኣትወሉ፡ ኣብ ዙርያ ዖፌል ናብ
ወጻኢ መካበብያ ነደቐ፡ ኣዝዩ ድማ ኣበረኾ። ኣብ ኩለን ዕሩዳት ከተማታት ይሁዳ ኸኣ ሓላቑ
ጭፍራታት ኣቐመጠ። 15 ነቶም ጓኖት ኣማልኽቲን ነቲ ምስሊ ጣኦትን ድማ ካብታ ቤት እግዚኣብሄር
ኣውጽኦ፡ ነቲ ኣብ ከረን ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ የሩሳሌምን ነዲቕዎ ዝነበረ ኹሉ መሰውኢታት ከኣ
ኣርሒቑ ናብ ወጻኢ ኸተማ ደርበዮ። 16 ነቲ መሰውኢ እግዚኣብሄር ድማ ሐደሶ እሞ፡ ኣብ ልዕሊኡ
መስዋእቲ ምስጋናን ቡራኬን ሰውኤ። ንይሁዳውን ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኬገልግልዎ
ኣዘዞም። 17 ግናኸ እቶም ህዝቢ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ጥራይ ደኣ እዮም እምበር፡ ገና ኣብ
በርኽቲ ይሰውኡ ነበሩ። 18 እቲ ዝተረፈ ናይ ምናሴ ነገርን እቲ ልማኖኡ ንኣምላኹን እቶም ረኣይቲ
ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል እተዛረብዎ ቓላትን እንሆ፡ ንሱ ኣብ ዛንታ ነገስታት እስራኤል
ጽሑፍ ኣሎ። 19 ድማ ብዛዕባ ጸሎቱን ከመይ ከም እተሰምዔን፡ ብዛዕባ ኹሉ ሓጢኣቱን ክሕደቱን፡
ብዛዕባ እተን፡ ርእሱ ኸየዋረደ ኸሎ፡ በረኽቲ ዝሰርሓለንን ኣስታርቴታትን ምስልታትን ዘቘመለንን
ቦታታት፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ ዛንታ ሖዛይ ተጽሒፉ ኣሎ። 20 ምናሴ ድማ ምስ ኣቦታቱ ደቀሰ፡ ኣብ ቤቱ ኸኣ
ቀበርዎ። ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ ኣሞን ነገሰ። 21 ኣሞን ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ክልተን ዓመት ነበረ፡
ኣብ የሩሳሌም ከኣ ክልተ ዓመት ገዝኤ። 22 ንሱ ኸኣ፡ ከምቲ ኣቦኡ ምናሴ ዝገበሮ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ክፉእ ገበረ። ኣሞን ድማ ነቶም ኣቦኡ ምናሴ ዝገበሮም ኩሎም ምስልታት ሰውኣሎምን
ኣገልገሎምን። 23 እዚ ኣሞን እዝስ ነቲ በደል እናብዝሖ ደኣ ኸደ እምበር፡ ከምቲ ኣቦኡ ምናሴ ርእሱ
ዘትሐተ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ርእሱ ኣየትሐተን። 24 ገላዉኡ ኸኣ ተማሓሐሉሉ እሞ ኣብ ቤቱ
ቐተልዎ። 25 ህዝቢ እታ ሃገር ግና ነቶም ንንጉስ ኣሞን እተማሓሐሉሉ ኹሎም ቀተሎም። ደሓር ከኣ
እቶም ህዝቢ እታ ሃገር ኣብ ክንዳኡ ንወዱ ዮስያስ ኣንገስዎ።

## ምዕራፍ 34

1 ዮስያስ ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ሸሞንተ ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሰላሳን ሓደን ዓመት ገዝኤ። 2 ንሱ
ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ገበረ፡ ብመገድታት ኣቦኡ ዳዊት ድማ ከደ፡ ንየማን ኰነ ንጸጋም
ኣየግለሰን። 3 ኣብ ሳምነይቲ ዓመት ምንጋሱ፡ ገና ቈልዓ ኸሎ፡ ንኣምላኽ ኣቦኡ ዳዊት ኪደልዮ ጀመረ፡
ኣብታ መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመት ከኣ ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ካብቲ በረኽትን ኣስታርቴታትን ካብቲ
ጽሩይ ምስልታትን ናብ ፍሲ ምስልታትን ኬጽርየን ጀመረ። 4 ነቲ መሰውኢታት በዓል ድማ ኣብ ቅድሚ
ኡ ኣፍረስዎ፡ ነቲ ኣብ ለልዕሊኡ ቈይሙ ዝነበረ ምስልታት ጸሓይ ከኣ ቈረጾ፡ ንኣስታርቴታትን ነቲ
እተጸርበን ዝፈሰሰን ምስልታትን ድማ ሰባበሮ፡ ኣድቅቕ ኣቢሉ ኸኣ ኣብ መቓብር እቶም ዝሰውኡሎም
በተኖ። 5 ንኣዕጽምቲ ኻህናት ከኣ ኣብቲ መሰውኢታቶም ኣንደዶ እሞ፡ ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ኣጽረየን።
6 ኣብ ከተማታት ምናሴን ኤፍሬምን ስምኦንን ድማ ክሳዕ ንፍታሌም ኣብ ዙርያኦም ንዘልዋ ኣባይቲ
ኽምኡ ገበረ። 7 ኣብ ብዘላ ሃገር እስራኤልስ መሰውኢታት ኣፍርሶ ንኣስታርቴታትን ንእተጸርበ
ምስልታትን ከኣ ሓመድ ክሳዕ ዚኸውን ኣድቀቖ፡ ንኹሉ ምስልታት ጸሓይውን ቈረጾ። ናብ የሩሳሌም
ድማ ተመልሰ። 8 ኣብ መበል ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመት ምንጋሱ ኸኣ ነታ ሃገርን ነታ ቤትን ምስ ኣጽረየ፡
ንሻፉን ወዲ ኣጻልያን ንመዓሰያ ሹም እታ ኸተማን ንዮኣሕ ወዲ ዮኣሓዝ፡ እቲ ጸሓፊ ዛንታን ነታ ቤት
እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኺጽግንዋ ለኣኾም። 9 ንሳቶም ከኣ ናብ ሊቀ ኻህናት ሒልቂያ ኣተዉ እሞ፡ ነቲ
እቶም ሌዋውያን ሓለውቲ ደገ ካብ ኢድ ምናሴን ኤፍሬምን ካብቶም ኩሎም ትርፎፍያ እስራኤልን ካብ
ብዘሎ ይሁዳን ብንያምን ኣብ የሩሳሌም ካብ እተቐመጡን ኣኪቦምዎ ዝነበሩ እሞ፡ ናብ ቤት ኣምላኽ
ዝኣተወ ኣቕራሽ ኣወፈይዎ። 10 ንሳቶም ድማ ኣብ ኢድ እቶም ኣብ ልዕሊ ዓየይቲ ቤት እግዚኣብሄር
እተሾሙ ወፈይዎ። እዚኣቶም ከኣ ነቶም ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኪጽግንዋን ኬዔርይዋን ዚዐዩ ዓየይቲ
ሀብዎም። 11 ነተን ነገስታ ይሁዳ ዘፍረስወን ኣባይቲ ኣግማል ኪገብሩለን ውቑር እምንን ንመጋጠሚ
ዚኸውን ኣዕጻውን ኪዕድጉለን ንጸረብትን ንሃነጽትን ሀበዎም። 12 እቶም ሰባት ከኣ ነቲ ዕዮ ብእምነት
ገበርዎ። ኣብ ልዕሊኦም ንምሕላው እተመዘዙ ሌዋውያን ድማ፡ ካብ ደቂ መራሪ ያሓትን ኣብድያን፡ ካብ
ደቂ ቃሃታውያን ከኣ ዘካርያስን መሹላምን ነበሩ። ምሳታቶም ከኣ እቶም ብመሳርያ ሙዚክ ፈላጣት
ዝኾኑ ሌዋውያን ነበሩ፡ 13 ኣብ ልዕሊ እቶም ጾር ዚጾሩ ዋናታት ነበሩ፡ ነቶም ንኹሉ ዓይነት ዕዮ
ኣገልግሎት ዚዐዩ ኸኣ ሓለውቲ ነበሩ፡ ጸሓፍትን ሓለቓታትን ሓለውቲ ደጌታትን ድማ ካብ ሌዋውያን
ነበሩ። 14 ነቲ ኣብ ቤት ዝኣተወ ኣቕራሽ ኬውጽኡ ኸለዉ ኸኣ፡ እቲ ኻህን ሒልቂያ ነቲ ብኢድ ሙሴ
እተዋህበ መጽሓፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ረኸቦ። 15 ሒልቂያ ድማ ንወፉን እቲ ጸሓፊ፡ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ነቲ መጽሓፍ ሕጊ ረኸበዮ፡ ኢሉ መለሰሉ። ሒልቂያ ኸኣ እታ መጽሓፍ ንወፉን ሀቦ። 16
ወፉን ድማ ነቲ መጽሓፍ ናብ ንጉስ ኣምጽኦ፡ ወሲኹ ኸኣ ንንጉስ ከምዚ ኢሉ ቓል መለሰሉ፡ ኣብ ኢድ
እቶም ባሮትካ እተዋህበ ዘበለ ኹሉ፡ ንሳቶም ይገብርዎ ኣለዉ። 17 ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር እተረኸበ
ኣቕራሽ ገልቢጥና ድማ፡ ኣብ ኢድ እቶም ዋናታትን ኣብ ኢድ እቶም ነቲ ዕዮ ዚዐይዎን ሀብዎም። 18
ወፉን እቲ ጸሓፊ ኸኣ ንንጉስ፡ ካህን ሒልቂያ ሓደ መጽሓፍ ሂቡኒ ኣሎ፡ ኢሉ ነገሮ። ወፉን ድማ ኣብ
ቅድሚ ንጉስ ካብኡ ኣንበበ። 19 ኰነ ኸኣ፡ እቲ ንጉስ ቃላት እቲ ሕጊ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ። 20
እቲ ንጉስ ድማ ንሒልቂያን ንኣሒታም ወዲ ሻፉንን ንዓብዶን ወዲ ሚካን ንሻፉን እቲ ጸሓፍን ንዓሳያ
ጊልዓ ንጉስን ከምዚ ኢሉ ኣዘዞም፡ 21 ኣቦታትና ንቓል እግዚኣብሄር ከምቲ ኹሉ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ
ተጽሒፉ ዘሎ ኺገብርዎ ኢሎም ስለ ዘይሐለውዎ፡ እቲ ኣባና እተኻዕወ ኹራ እግዚኣብሄር ዓብዪ እዩ
እሞ፡ ኪዱ፡ ብናይ እዚ ኣብዚ እተረኸበ መጽሓፍ ዘሎ ቓላት ምእንታይን ምእንቲ እዞም ኣብ እስራኤልን
ኣብ ይሁዳን ዝተረፈ ንእግዚኣብሄር ሕተትዎ። 22 ሽዑ ሒልቂያን እቶም እቲ ንጉስ ዝኣዘዞምን ናብ

ነብዩት ሁልዳ፡ ሰበይቲ ወሉም ሓላው ክዳውንቲ ኸዱ፡ ንሱ ወዲ ቶቅሃት፡ ወዲ ሓስራ እዩ። ንሳ ድማ
ኣብ የሩስሌም ኣብታ ኻልኣይቲ ኽፍሊ ትቕመጥ ነበረት። ንእኣ ኸኣ ከምቲ ነገር ገይሮም ተዛረብዎ። 23
ንሳ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በለቶም፡ ነቲ ናባይ ዝለኣኸኩም ሰብኣይ
በልዎ፡ 24 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ናብዛ ቦታ እዚኣን ናብቶም ዚነብርዋ ዘለዉን ክፉእ
ከምጽእ እየ። ማለት እቲ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ይሁዳ ዘንበቡሉ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ተጽሒፉ ዘሎ ኹሉ
መርገም፡ 25 ከመይሲ ብኹሉ ተግባር ኣእዳዎም ምእንቲ ኬቘጥዑንስ፡ ንኣይ ሐደጉ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ
ኸኣ ዐጠኑ፡ ስለዚ ናብዛ ቦታ እዚኣ ኹራይ ተኹዖ ኣይኪጠፍእን ከኣ እዩ። 26 ነቲ ንእግዚኣብሄር ክትሐቱ
ኢሉ ዝለኣኸኩም ንጉስ ይሁዳ ከምዚ በልዎ፡ ብዛዕባ እቲ ዝሰማዕካዮ ነገር እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 27 ልብኻ ስለ ዝለሰለሰ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ትሕት ስለ ዝበልካ፡
ቃሉ ብዛዕባ እዛ ቦታ እዚኣን ብዛዕባ እቶም ዚነብርዋን ምስ ሰማዕካ፡ እወ፡ ኣብ ቅድመይ ትሕት ኢልካስ
ክዳውንትኻ ቐዲድካ፡ ኣብ ቅድመይ ስለ ዝበኼኻ፡ ኣነ ድማ ሰሚዔካ ኣሎኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 28
እንሆ፡ ናብ ኣቦታትካ ኽእክበካ እየ፡ ናብ መቓብርካ ኸኣ ብሰላም ክትእከብ ኢኻ፡ ነቲ ኣነ ናብዛ ቦታ
እዚኣን ናብዞም ዚነብርዋን ዘምጽኦ ኹሉ ኽፉእ ድማ ኣዒንትኻ ኣይኪርእያኦን እየን። ንሳቶም ከኣ ነቲ
ነገር ናብ ንጉስ መለስዎ። 29 ሽዑ እቲ ንጉስ ልኡኻት ሰደደ፡ ንኹሎም ዓበይቲ ይሁዳን የሩሳሌምን ድማ
ኣከቦም። 30 እቲ ንጉስን ኩሎም ሰብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም ዘነብሩን እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ብዘሎ
ህዝቢ ኸኣ ካብ ዓብዩ ኽሳዕ ንእሽቶ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደየቡ። ንኹሉ ቓላት እቲ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር እተረኽበ መጽሓፍ ኪዳን ኣንቢቡ ኸኣ ኣስምዖም። 31 እቲ ንጉስ ከኣ ኣብ ቦታኡ ደው ኢሉ፡
ብኹሉ ልቡን ብኹሉ ነፍሱን ደድሕሪ እግዚኣብሄር ኪኸይድ፡ ትእዛዛቱን ምስክራቱን ሕጋጋቱን
ኪሕሉ፡ ነቲ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ ቓላት ኪዳን ከኣ ኪገብሮ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ኪዳን ኣቘመ። 32 ኣብ የሩሳሌም ኣብ ብንያምን ንተረኽቡ ኹሎም ድማ ኣብቲ ኺዳን ኣእተዎም። እቶም
ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ኸኣ ከምቲ ኺዳን ኣምላኽ፡ ኣምላኽ ኣቦታቶም፡ ገበሩ። 33 ዮስያስ ድማ ካብ
ኩለን ሃገራት ደቂ እስራኤል ጽያፍ ዘበለ ኹሉ ኣርሐቐ። ኣብ እስራኤል ንተረኽቡ ዘበሉ ኹሎም ከኣ
ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም ከም ዜገልግልዎ ገበሮም። ብኹሉ ዘመኑ ኸኣ ካብ ምስዓብ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ኣቦታቶም ኣየግለሱን።

## ምዕራፍ 35

1 ዮስያስ ድማ ኣብ የሩሳሌም ንእግዚኣብሄር ፋስጋ ኣብዐለ፡ ኣብታ መጀመርያ ወርሒ በታ መበል
ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ኸኣ ፋስጋ ሐረዱ። 2 ንሱ ድማ ነቶም ካህናት ኣብ መዞም ኣቘሞም፡ ኣብታ
ቤት እግዚኣብሄር ኬገልግሉ ኣፋጠኖም። 3 ነቶም ንብዘሎ እስራኤል ዚምህሩ፡ ንእግዚኣብሄር ተቐዲሶም
ዝነበሩ ሌዋውያን ከኣ በሎም፡ ነቲ ቅዱስ ታቦት ኣብታ ሰሎሞን ንጉስ እስራኤል ወዲ ዳዊት ዝሰርሓ
ቤት ኣቐምጥዎ፡ ደጊም ኣብ መንኩብኩም ጾር ኣይኪኾነኩምን እዩ፡ ሕጂስ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽኩምን ንህዝቡ እስራኤልን ደኣ ኣገልግልዎም። 4 ከምቲ ጽሕፈት ዳዊት ንጉስ እስራኤልን ከምቲ
ጽሕፈት ሰሎሞን ወዱን ከኣ በብማይ ቤት ኣቦታትኩም በብኽፍልኹም ተዳለዉ። 5 ከከም ክፍሊ ማይ
ቤት ኣቦታት ኣሕዋትኩም፡ እቶም ደቂ ህዝቢ ኣብቲ መቕደስ ቁሙ። ነንማይ ቤት ኣቦታት ሌዋውያን
ድማ ሐሓደ ኽፍሊ ይኹን። 6 ፋስጋ ሕረዱ ተቐደሱ ኸኣ፡ ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ብሙሴ ምእንቲ
ኺገብርዎስ፡ ነሕዋትኩም ኣዳልዉሎም። 7 ዮስያስ ድማ ንደቂ እቲ ህዝቢ ነቶም ኣብኡ እተረኽቡ ዘበሉ

ኽሎም ካብቲ መጓሰ ብቝጽሪ ሰላሳ ሽሕ ገንሸልን ወጠጦን ሰለስተ ሽሕ ብዕራይን፡ ኲሎም ንመስዋእቲ ፋስጋ ዚኸውን ወፈዮም። እዚ ኻብ ጥሪት ንጉስ እዩ። [8] እቶም መሳፍንቱውን ብፍቓዶም መስዋእቲ ዚኸውን ነቶም ህዝብን ንኻህናትን ንሌዋውያንን ሀብዎም፡ ሒልቅያን ዘካርያስን የሒኤልን፡ እቶ ሓልቘ ቤት ኣምላኽ ከኣ፡ ንኻህናት ንመስዋእቲ ፋስጋ ዚኸውን ኽልተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ገንሸልን ወጠጦን ሰለስተ ሚእቲ ብዕራይን ሀብዎም። [9] እቶም ሓላቓ ሌዋውያን ድማ፡ ኮናንያን ሸማዕያን ንታንኤልን ኣሕዋቱን ሓሻብያን የዒኤልን ዮዛባድን ንሌዋውያን ንመስዋእቲ ፋስጋ ዚኸውን ሓሙሽተ ሽህ ገንሸልን ወጠጦን ሓሙሽተ ሚእቲ ብዕራይን ሀብዎም። [10] እቲ ኣገልግሎት ከኣ ከምዚ ኢሉ ተዳለወ፡ ከም ትእዛዝ ንጉስ ድማ ካህናት ኣብ ስፍራኦም፡ ሌዋውያንውን ኣብ ክፍልታቶም ቈሙ። [11] ፋስጋ ኸኣ ሐረዱ እሞ፡ እቶም ካህናት ነቲ ደም ካብ ኢዶም እናተቐበሉ ይነስንሱ ነበሩ፡ እቶም ሌዋውያን ድማ ነቲ ቈርበት ይጠብሑ ነበሩ። [12] ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ሙሴ ተጽሒፉ ዘሎ ኸኣ፡ ንእግዚኣብሃር ምእንቲ ኬቕርቡሉ፡ ነቶም ናይ ደቂ ህዝቢ ኽፍልታት ማይ ቤት ኣቦታቶም ኪዕድልዎም፡ ነቲ ዚሐርር መስዋእቲ ፈለይዎ። ነቶም ኣብዑርውን ከምኡ ገበሩ። [13] ነቲ ፋስጋ ድማ ከምቲ ስሩዕ ኣብ ሓዊ ጠበስዎ፡ ነቲ ስጋ መስዋእቲ ምስጋና ኸኣ ብቝራዓትን መቐሎታትን ድስትታትን እናብሰሉ፡ ንኹሎም ደቂ እቲ ህዝቢ ቐልጢፎም ይዕድልዎም ነበሩ፡ [14] ደሓር ድማ ንርእሶምን ንኻህናትን ኣዳለዉ፡ እቶም ካህናት ደቂ ኣሮን ብምዕራግ እቲ ዚሐርር መስዋእትን ስብሒታትን ክሳዕ ለይቲ ዐየዩ እሞ፡ ስለዚ እቶም ሌዋውያን ንርእሶምን ንኻህናት ደቂ ኣሮንን ኣዳለዉ። [15] እቶም መዘምራን ደቂ ኣሳፍ ድማ፡ ከምቲ ዳዊትን ኣሳፍን ሄማንን የዱቱን ናይ ንጉስ ረኣይን ዝሰርዕዎ፡ ኣብ ስፍራኦም ቈሙ፡ እቶም ሓለውቲ ደጌታት ከኣ ኣብ ደደጊኦም ቈሙ። ንኣታቶም እቶም ኣሕዋቶም ሌዋውያን የዳልዉሎም ነበሩ እሞ፡ ካብ ኣገልግሎቶም ኪግልሱ ኣየድልዮምን ነበረ። [16] ከምቲ ትእዛዝ ንጉስ ዮስያስ ድማ በዓል ፋስጋ ኺግበር ኣብቲ መሰውኢ እግዚኣብሄርውን ዚሐርር መስዋእቲ ኺዐርግን በታ መዓልቲ እቲኣ ኹሉ እቲ ኣገልግሎት እግዚኣብሄር ተዳለወ። [17] ከምኡ ኸኣ እቶም ኣብኡ እተረኽቡ ደቂ እስራኤል በታ ጊዜ እቲኣ በዓል ፋስጋ ገበሩ፡ በዓል ቅጫውን ሾብዓተ መዓልቲ ኣብዐሉ። [18] ኣብ እስራኤል ካብ ዘመን ነብዩ ሳሙኤል ጀሚሩ፡ ከምዚ ዝበለ ኣበዓዕላ ፋስጋ ተገይሩ ኣይፈልጥን። ከምዚ ዮስያስን ካህናትን ሌዋውያንን ብዘሎ ይሁዳን ኣብኡ እተረኽቡ እስራኤልን እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ዘብዐልዎ ፋስጋ ካብ ኲሎም ነገስታት እስራኤል ሓደ እኳ ኸምኡ ኣይገበረን። [19] እዚ በዓል ፋስጋ እዚ ንግዝኣት ዮስያስ ኣብ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመቱ ተገብረ። [20] ድሕሪዚ ኹሉ ዮሳያስ ነቲ ቤት መቕደስ ምስ ኣዳለዎ፡ ኔኮ ንጉስ ግብጺ ኣብ ኬርከሚሽ ጥቓ ኤፍራጥስ ኪዋግእ ተላዕለ፡ ዮስያስ ከኣ ኪገጥመሉ ወጸ። [21] ንሱ ግና ልኡኻት ሰዲዱ በሎ፡ ኣታ ንጉስ ይሁዳ፡ ምሳኻ እንታይ ኣሎኒ ናብታ እትዋግኣኒ ዘላ ቤት ደኣ እየ እምበር፡ ሎሚ ኣይናባኻን እየ ዝመጽእ ዘሎኹ። ኣምላኽ ድማ ክቕልጥፍ ኣዚዙኒ እዩ፡ ንሱ ኸየጥፍኣካስ፡ ምስቲ ምሳይ ዘሎ ኣምላኽ ምቅዋምካ ግደፎ። [22] ዮስያስ ግና ገጹ ኻብኡ ኣይመለሰን፡ ኤረ ምስኡ ኺዋጋእ ደኣ ኽድውንቱ ለወጠ፡ ነቲ ኻብ ኣፍ ኣምላኽ ዝመጾ ዘረባ ኔኮ ኸኣ ኣይሰምዖን። ኣብ ለሰ መጊዶ ድማ ኪዋጋእ መጸ። [23] እቶም ወርወርቲ ኸኣ ንንጉስ ዮስያስ ወግእዎ፡ እቲ ንጉስ ድማ ንገላዉኡ፡ ብርቱዕ ተወጊኤ እየ እሞ፡ ካብዚ ኣውጽኡኒ፡ በሎም። [24] ሽዑ እቶም ገላዉኡ ኻብቲ ሰረገላ ኣውሪዶም ኣብቲ ዝነበሮ ኻልኣይ ሰረገላ ኣሕለፍዎ፡ ናብ የሩሳሌም ከኣ ኣብጽሕዎ፡ ሞተ ድማ፡ ኣብ መቓብር ኣቦታቱውን ተቐብረ። ብዘለዉ ይሁዳን የሩሳሌምን ከኣ ንዮስያስ ሐዘኑሉ። [25] ኤርምያስ ድማ ንዮስያስ ኣልቀሰሉ፡ ኲሎም መዘምራን ሰብኡትን ኣንስትን ከኣ ክሳዕ ሎሚ ኣብ መልቀሶም ብዛዕባ ዮስያስ ይዛረቡ ኣለዉ። እዚ ድማ ኣብ እስራኤል ንስርዓት ገበርዎ፡ እንሆ ኸኣ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ልቕሶ ተጽሒፉ ኣሎ። [26-27] እቲ

ዝተረፈ ናይ ዮስያስ ነገርን እቲ ኽምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር ተጽሒፉ ዘሎ ናይ ለውሃት ተግባሩን፡ እቲ
ቐዳማይን ዳሕራይን ነገሩ ድማ፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ነገስታት እስራኤልን ይሁዳን ተጽሒፉ ኣሎ።

# ምዕራፍ 36

1 ህዝቢ እታ ሃገር ድማ ንዮኣሓዝ ወዲ ዮስያስ ወሲዶም ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ኣብ የሩሳሌም ኣንገስዎ። 2
ዮኣሓዝ ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ሰለስተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ሰለስተ ወርሒ ገዝኤ። 3
ንጉስ ግብጺ ኣብ የሩሳሌም ሰዐሮ፡ ነታ ሃገር ከኣ ሚእቲ ታለንት ብሩርን ሓደ ታለንት ወርቅን ፈሰስ
ኣውደቐላ። 4 እቲ ንጉስ ግብጺ ድማ ንሓዉ ኤልያቂም ኣብ ልዕሊ ይሁዳን የሩሳሌምን ኣንገሶ፡ ስሙውን
ዮያቂም ኢሉ ለወጠሉ፡ ንዮኣሓዝ ሓው ግና ነኮ ሒዙ ናብ ግብጺ ወሰዶ። 5 ዮያቂም ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ
ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሓደ ዓመት ገዝኤ፡ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኹ ድማ ክፉእ ገበረ። 6 ነብካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ከኣ ደየቦ እሞ ናብ ባቢሎን
ኪወስዶ ኢሉ ብመቑሕ ኣሰራዚ ኣሰሮ። 7 ነግካድነጻር ካብ ኣቓሑ ቤት እግዚኣብሄር ድማ ሒዙ ናብ
ባቢሎን ኣምጽኡ፡ ኣብ መቕደሱ ኣብ ባቢሎን ከኣ ኣቐመጦ። 8 እቲ ዝተረፈ ናይ ዮያቂም ነገርን እቲ
ዝገበሮ ጽያፉን ብእኡ እተረኽበ ዘበለን፡ ንሱ ኣብ መጽሓፍ ነገስታት እስራኤልን ይሁዳን ተጽሒፉ ኣሎ።
ኣብ ክንዳኡ ድማ ወዱ የያኪን ነገሰ። 9 ዮያኪን ኪነግስ ከሎ፡ ወዲ ሾሞንተ ዓመት ነበረ እሞ፡ ኣብ
የሩሳሌም ሰለስተ ወርሕን ዓሰርተ መዓልትን ገዝኤ። ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ክፉእ ገበረ። 10 እታ
ዓመት ምስ ሐለፈት ድማ፡ ንጉስ ነብካድነጻር ልኢኹ ንእኡ ምስቲ ክቡራት ኣቓሑ ቤት እግዚኣብሄር
ናብ ባቢሎን ወሰዶ። ንጼድቅያስ ሓዉ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ይሁዳን የሩሳሌምን ኣንገሶ። 11 ጼድቅያስ ኪነግስ
ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ሓደን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ዓሰርተው ሓደ ዓመት ገዝኤ። 12 ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኣምላኹ ኽፉእ ገበረ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ኻብ ኣፍ እግዚኣብሄር እተዛረቦ ነብዩ ኤርምያስ
ርእሱ ኣየትሐተን። 13 ካብቲ ብኣምላኽ ኣምሒልዎ ዝነበረ ንጉስ ነብካድነጻር ድማ ዐለወ። ናብ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከይምለስሲ ክሳዱ ኣትረረ ልቡውን ኣጽንዔ። 14 ብዘለዉ ሊቃነ
ኻህናትን ህዝብን ከኣ ብዅሉ ዓይነት ጽያፍ ኣረማውያን ኣዝዮም ብዙሕ ኣበሱ። ነታ ኣብ የሩሳሌም
ዝቐደሳ ቤት እግዚኣብሄርውን ኣርከስዋ። 15 ንህዝቡን ነታ ማሕደሩን ስለ ዝደንገጸሎም ድማ፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታቶም ብልኡኻቱ ገይሩ ብጊሓት ብጊሓት ይልእከሎም ነበረ። 16 ግናኸ ቍጥዓ
እግዚኣብሄር ናብ ልዕሊ ህዝቡ ኽሳዕ ዚድይብ፡ ፈወሲውን ክሳዕ ዚስእን፡ ንሳቶም ነቶም ልኡኻት
ኣምላኽ ኣላገጹሎም፡ ነቲ ቓሉ ኸኣ ነዐቕዎ፡ ነቶም ነብያቱውን ኣዋረድዎም። 17 ስለዚ ንሱ ንንጉስ
ከልዳውያን ኣብ ልዕሊኦም ኣተንስኦ። ንሱ ኸኣ ነኰባዞም ኣብ ቤተ መቕደሶም ብሴፍ ቀተሎም፡
ንመንእሰይን ንድንግልን ንዓብይን ንሽያብን ኣይራሕርሓሎምን። ንዅሎም ናብ ኢዱ ኣሕለፎም። 18
ንዅሉ ኣቓሑ ቤት ኣምላኽ ዓብይን ንኡስን፡ ንመዛግብቲ ቤት እግዚኣብሄር መዛግብቲ ንጉስን
መኳንንቱን ድማ፡ ኲሉ ናብ ባቢሎን ወሰዶ። 19 ነታ ቤት ኣምላኽ ኣንደድዋ፡ ነቲ መካበብያ የሩሳሌም
ከኣ ኣፍረስዎ፡ ኣደራወታ ዘበለ ዅሉውን ብሓዊ ኣንደድዎ፡ ኲሉ ኽቡር ኣቓሑኡ ድማ ኣጥፍኡ። 20
ነቶም ካብ ሴፍ ዘምለጡ ዘበሉ ድማ ናብ ባቢሎን ወሰዶም እሞ፡ መንግስቲ ፋርስ ክሳዕ እትገዝእ፡
ንእኡን ንደቁን ባሮቱ ኾኑ። 21 እተን ሰብዓ ዓመት ክሳዕ ዚመልስ፡ እታ ምድሪ ኣብ ክንዲ እተን ሰናብታ
ኽሳዕ እትከሐስ፡ ባዲማ ኸላ ሰናብቲ ኣብዐለት። እዚ ኸኣ እቲ ብኣፍ ነብዩ ኤርምያስ እተነግረ ቓል
እግዚኣብሄር ምእንቲ ኺፍጸም ኰነ። 22 በታ መጀመርያ ዓመቱ ንቂሮስ ንጉስ ፋርስ ግና እቲ ብኣፍ

ኤርምያስ ተነጊሩ ዝነበረ ቓል እግዚኣብሄር ምእንቲ ኺፍጸም፡ እግዚኣብሄር ንመንፈስ ቂሮስ ንጉስ ፋርስ ደረኾ። ኣብ ብዘላ መንግስቱ ድማ ብቓልን ብጽሒፈትን ከምዚ ኢሉ ኣወጀ፡ 23 ቂሮስ ንጉስ ፋርስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ መንግስትታት ኲላ ምድሪ ሀበኒ ንሱ ድማ ኣብታ ኣብ ይሁዳ ዘላ የሩሳሌም ቤት ክሰርሓሉ ኣዘዘኒ። ዝኾነ ይኹን ካብ ህዝቢ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ፡ ኣምላኹ ምስኡ ይኹን እሞ ይደይብ።

# መጽሓፍ እዝራ

## ምዕራፍ 1

[1] ንቂሮስ ንጉስ ፋርስ ኣብ መጀመርታ ዓመቱ፡ እቲ ብኣፍ ኤርምያስ እተነግረ ቓል እግዚኣብሄር ምእንቲ
ኺፍጸም፡ እግዚኣብሄር ንመንግስቱ ድማ ብቓል ብጽሕፈትን ከምዚ ኢሉ ኣወጀ። [2] ቂሮስ ንጉስ ፋርስ
ከምዚ ይብል፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ ኩለን መንግስትታት ምድሪ ሀበኒ፡ ንሱ ኸአ ኣብታ ኣብ
ይሁዳ ዘላ የሩሳሌም ቤት ክሰርሓሉ አዘዘኒ። [3] ዝኾነ ይኹን ካብ ህዝቡ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ ኸአ
ኣምላኹ ምስኡ ይኹን። ነቲ ኣብ የሩሳሌም ዚነብር ኣምላኽ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ቤት
ኪሰርሓሉ ናብታ ኣብ ይሁዳ ዘላ የሩሳሌም ይደይብ። [4] ኣብ ኩለን ቦታ ሰደቱ ንዝተረፈ ዘበለ ሰብ ድማ፡
እቶም ሰብ እታ ቦታ፡ ብጀካ እቲ ብፍቓዶም ነቲ ኣብ የሩሳሌም ዘሎ ቤት ኣምላኽ ዚወሀብሲ፡
ብብሩርን ብወርቅን ብገንዘብን ብእንስሳን ይሓግዝዎ። [5] ሽዑ እቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ይሁዳን
ብንያምን ካህናትን ሌዋውያንን፡ ነታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ቤት እግዚኣብሄር ኪሰርሑ ኺድይቡ ኣምላኽ
ንመንፈሶም ዝደረኾ ዘበሉ ተላዕሉ። [6] እቶም ኣብ ከባቢኦም ዚነብሩ ኹላቶም ከኣ፡ ብጀካ እቲ
ብፍቓዶም ዝሀብዎ ህያብ፡ ብቕሓ ብሩርን ብወርቅን ብገንዘብን ብእንስሳን ብዝኸበረ ህያባትን ኣእዳዎም
ደገፍ። [7] ነቲ ነቡክዳነጻር ካብ የሩዳሌም ኣውጺኡ ኣብ ቤት ኣምላኹ ኣቐሚጥዎ ዝነበረ ኣቓሑ ቤት
እግዚኣብሄር ከአ፡ ንጉስ ቂሮስ ኣውጽኦ። [8] ቂሮስ ንጉስ ፋርስ ድማ፡ ብኢድ ሚትረዳት እቲ ተሓዝ
መዝገብ ኣውጽኢ ንሹም ይሁዳ፡ ንሸሽባጸር፡ ፈቒዱ ሀቦ። [9] ፍቕዱ ኸአ እዚ እዩ፡ ጭሔሎ ወርቂ ሰላሳ፡
ጭሔሎ ብሩር ሽሕ፡ ካራታት ዕስራን ትሽዓተን፡ [10] ጽዋእ ወርቂ ሰላሳ፡ ካልእ ዓይነት ጽዋእ ብሩር
ኣርባዕተ ሚእትን ዓሰርተን፡ ካልእ ኣቕሓ ኸአ ሽሕ። [11] ኩሉ ኣቕሓ ወርቅን ብሩርን ሓሙሽተ ሽሕን
ኣርባዕተ ሚእትን ነበረ። እቶም ምሩኻት ካብ ባቢሎን ናብ የሩሳሌም ኪድይቡ ኸለው፡ ሸሽባጻር ነዚ
ኹሉ ኣደየቦ።

## ምዕራፍ 2

[1] እቶም ደቂ ሃገር፡ ነቡክነጻር ንጉስ ባቢሎን ናብ ባቢሎም ማሪኹዎም ዝነበረ እሞ ካብ ምርኮ ደይቦም
ናብ የሩሳሌምን ናብ ይሁዳን ነፍሲ ወከፍ ነናብ ከተማኡ፡ እተመልሱ እዚኣቶም እዮም። [2] እቶም ምስ
ዙሩባቤል ዝመጹ፡ እያሱ፡ ነህምያ፡ ሰራያ፡ ርዔላይ፡ ማርዶካይ፡ ቢልሻን፡ ሚስጳር፡ ቢግዋይ፡ ረሑም፡
ባዓና እዮም። [3] ደቂ ፈርዖሽ ክልተ ሽሕን ሚእትን ሰብዓን ክልተን። [4] ደቂ ሸፋጥያ ሰለስተ ሚእትን
ሰብዓን ክልተን። [5] ደቂ ኣርሓ ሾብዓተ ሚእትን ሰብዓን ሓሙሽተን። [6] ደቂ ፋሓትሞኣብ ካብ ደቂ እያሱ
ዮኣብን ክልተ ሽሕን ሾሞንተ ሚእትን ዓሰርተው ክልተን። [7] ደቂ ዔላም ሽሕን ክልተ ሚእትን ሓምሳን
ኣርባዕተን። [8] ደቂ ዛቱ ትሽዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን። [9] ደቂ ዘካይ ሾብዓተ ሚእትን ስሳን። [10]
ደቂ ባኒ ሽዱሽተ ሚእትን ኣርብዓን ክልተን። [11] ደቂ ቤባይ ሹድሽተ ሚእትን ዕስራን ሰለስተን። [12] ደቂ
ዓዝጋድ ሽሕን ክልተ ሚእትን ዕስራን ክልተን። [13] ደቂ ኣዶኒቃም ሹዱሽተ ሚእትን ስሳን ሽዱሽተን። [14]
ደቂ ቢግዋይ ክልተ ሽሕን ሓምሳን ሽዱሽተን። [15] ደቂ ዓዲን ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን ኣርባዕተን። [16]
ደቂ ኣጤር ካብ ዓሌት ህዝቅያስ ተስዓን ሾሞንተን [17] ደቂ ቤጻይ ሰለስተ ሚእትን ዕስራን ሰለስተን። [18]

ደቂ ዮራህ ሚእትን ዓሰርተው ክልተን። 19 ደቂ ሓሹም ክልተ ሚእትን ዕስራን ሰለስተን። 20 ደቂ ጊበር
ተስዓን ሓሙሽተን። 21 ደቂ ቤትልሄም ሚእትን ዕስራን ሰለስተን። 22 ሰብ ነጦፋ ሓምሳን ሹዱሽተን። 23
ሰብ ዓናቶት ሚእትን ዕስራን ሾሞንተን። 24 ደቂ ዕዝማዌት ኣርብዓን ክልተን። 25 ደቂ ቂርያትዓሪምን
ከፊራን ብኤሮትን ሾብዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሰለስተን። 26 ደቂ ራማን ጌባዕን ሹድሽተ ሚእትን ዕስራን
ክልተን። 27 ሰብ ሚኽማሽ ሚእትን ዕስራን ሓደን። 28 ሰብ ቤትኤልን ዓይን ክልተ ሚእትን ዕስራን
ሰለስተን። 29 ደቂ ኔቦ ሓምሳን ክልተን። 30 ደቂ ማግብሽ ሚእትን ሓምሳን ሹዱሽተን። 31 ደቂ ኻልኣይ
ዔላም ሽሕን ክልተ ሚእትን ሓምሳን ኣርባዕተን። 32 ደቂ ሓሪም ሰለስተ ሚእትን ዕስራን። 33 ደቂ ሎድን
ሓዲድን ኦኖን ሾብዓተ ሚእትን ዕስራን ሓሙሽተን። 34 ደቂ ያሪኮ ሰለስተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን።
35 ደቂ ሰናኣ ሰለስተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን ሰላሳን። 36 ካህናት፡ ደቂ የዳዕያ ካብ ቤት እያሱ ትሽዓተ
ሚእትን ሰብዓን ሰለስተን። 37 ደቂ ኢመር ሽሕን ሓምሳን ክልተን። 38 ደቂ ፋሽሑር ሽሕን ክልተ ሚእትን
ኣርብዓን ሾብዐተን። 39 ደቂ ሓሪም ሽሕን ዓሰርተው ሾብዓተን። 40 ሌዋውያን፡ ደቂ እያሱን ቀድሚኤልን፡
ካብ ደቂ ሆዳውያ፡ ሰብዓን ኣርባዕተን። 41 ዘመርቲ፡ ደቂ ኣሳፍ ሚእትን ዕስራን ሾሞንተን። 42 ደቂ
ኣጋፈርቲ፡ ደኢ ሻሎም፡ ደቂ ኣጤር፡ ደቂ ጣልሞን፡ ደቂ ዓቑብ፡ ደቂ ሓጢጣ፡ ደቂ ሾባይ፡ እዚኣቶም
ኩላቶም ሚእትን ሰላሳን ትሽዓተን። 43 ነቲነም፡ ደቂ ጸሓ፡ ደቂ ሓሱፋ፡ ደቂ ጣብዖት፡ 44 ደቂ ቄሮስ፡ ደቂ
ሲዓህ፡ ደቂ ፋዶን፡ 45 ደቂ ሊባና፡ ደቂ ሓጋባ፡ ደቂ ዓቑብ፡ 46 ደቂ ሓጋብ፡ ደቂ ሻምላይ፡ ደቂ ሓናን፡ 47
ደቂ ጊዳል፡ ደቂ ጋሓር፡ ደቂ ረኣያ፡ 48 ደቂ ረጺን፡ ደቂ ነቖዳ፡ ደቂ ጋዛም፡ 49 ደቂ ዑዛ፡ ደቂ ፋሴሓ፡ ደቂ
ቤሳይ፡ 50 ደቂ ኣሰና፡ ደቂ መዑኒም፡ ደቂ ነፊሲም፡ 51 ደቂ ባቅቡቅ፡ ደቂ ሓቁፋ፡ ደቂ ሓርሑር፡ 52 ደቂ
ባጽሎት፡ ደቂ መሒዳ፡ ደቂ ሓርሻ፡ 53 ደቂ ባርቆስ፡ ደቂ ሲስራ፡ ደቂ ታማሕ፡ 54 ደቂ ነጺኣሕ፡ ደቂ
ሓጢፋ። 55 ደቂ ገላው ሰሎሞን፡ ደቂ ሰጣይ፡ ደቂ ሰፋረት፡ ደቂ ፋሩዳ፡ 56 ደቂ ያዓላ፡ ደቂ ዳርቆን፡ ደጊ
ጊደል። 57 ደቂ ሸፋጥያ፡ ደቂ ሓጢል፡ ደቂ ጶኮረትሃጸባይም፡ ደቂ ኣሚ። 58 ኩላቶም ነቲኒምን ደቂ ገላው
ሰሎሞንን ሰለስተ ሚእትን ተስዓን ክልተን እዮም። 59 እዚኣቶም ድማ ካብ ተልሜላሕን ካብ ተልሓርሻን
ካብ ካሩብኣዳንን ካብ ኢመርን ዝደየቡ እዮም እሞ፡ ካብ እስራኤል ምዃኖም ማይ ቤት ኣቦታቶምን
ዘርኦምን ኪነግሩ ዘይከአሉ፡ 60 ደቂ ደላያ፡ ደቂ ጦብያ፡ ደቂ ነቆዳ ሹዱሽተ ሚእትን ሓምሳን ክልተን። 61
ካብ ደቂ ኻህናት ከአ፡ ደቂ ሓባያ፡ ደቂ ሃቆጽ፡ ደቂ እቲ ኻብ ኣዋልድ ባርዚላይ ጊልዓዳዊ ሰበይቲ
ዝወሰደ ብስሞምውን እተሰምየ ባርዚለይ እዮም። 62 እዚኣቶም ጽሕፈት ወለዶኦም ደለዩ፡ ግናኸ
ኣይረኸቡን፡ ስለዚ ኸም ርኹሳት ካብ ካህናት ተኸልከሉ። 63 እቲ ቲርሻታ ኸአ፡ ንኡሪምን ንቱሚምን
ካህን ክሳዕ ዚትንስእ ካብ ቅድስተ ቅዱሳን ኣይትብልዑ በሎም። 64 ኩሉ እቲ ማሕበር ብኣካቡ ኣርብዓንን
ክልተን ሽሕኝ ሰለሰተ ሚእትን ስሳን ነበረ። 65 ብዘይ ገላውኦምን ኣግራዶምን፡ ንሳቶም ሾብዓተ ነበሩ።
ዚዝመሩን ዚዝምራን ድማ ክልተ ሚእቲ ነበርዎም። 66 ኣፍራሶም ሾብዓተ ሚእትን ሰሳን ሽድሽተን፡
ኣባቕሎም ክልተ ሚእትን ሰላሳን ሽዱሽተን፡ ኣባቕሎም ክልተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን፡ 67
ኣግማሎም ኣርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ሓሙሽተን፡ ኣእዱግ ሽዱሽተ ሽሕን ሾብዓተ ሚእትን ዕስራን ነበሩ።
68 ገላ ኻብቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ከአ ኣብታ ኣብ ዮርሳሌም ዘላ ቤት እግዚኣብሄር ምስ መጹ፡
ነታ ቤት ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እታ ቦትኣ ኺሰርሕዋ ብፍቓዶም ገንዘብ ሀቡ። 69 ንመዝገብ እቲ ዕዮ
ዚኸውን ከከም ዓቕሞም ስሳን ሓደን ሽሕ ዳሪክ ወርቂ፡ ሓሙሽተ ሽሕ ታለንት ብሩር፡ ልብሰ ኽህነት
ድማ ሚእቲ ሀቡ። 70 ካህናትን ሌዋውያንን ገላ ኻብቲ ህዝብን ዘመርትን ኣጋፈርትን ነቲኒምን ከአ ኣብ
ከተማታቶም፡ እስራኤል ድማ ኩላቶም ኣብ ከተማታቶም ተቐመጡ።

# ምዕራፍ 3

1 እታ ሳብዐይቲ ወርሒ ምስ መጸት ድማ፡ ደቂ እስራኤልውን ኣብ ከተማታቶም ምስ ተቐመጡ፡ እቶም
ህዝቢ ኸም ሓደ ሰብ ኮይኖም ናብ የሩሳሌም ተኣከቡ። 2 ሽዑ እያሱ ወዲ ዩጻዳቕን ኣሕዋቱ ኻህናትን
ዘሩባቤል ወዲ ሸኣልትኤልን ኣሕዋቱን፡ ከምቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ እተጻሕፈ፡ ኣብ
ልዕሊኡ ዚሓርር መስዋእቲ ኬቕርበሉ ተንሲኦም መሰውኢ ኣምላኽ እስራኤል ሰርሑ። 3 ነቲ መሰውኢ
ኸኣ ኣብታ ቦትኡ ኣንበርዎ። በቶም ኣብ ከባቢኦም ዘለው ህዝብታት እታ ሃገር ተሸቢሮም ነበሩ እሞ፡
ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ኣብ ልዕሊኡ ኣዕረጉ፡ ብጊሓት ምሸትን ኣዕረጉ። 4 ከምቲ ጽሑፍ ድማ
በዓል ዳስ ኣብዐሉ፡ ከምቲ ነንመዓልቲ እተመደበ ቑጽሪ፡ መዓልቲ ንመዓልቲ ዚሐርር መስዋእቲ ኣዕረጉ።
5 ድሕርዚ ድማ እቲ ንእግዚኣብሄር ፈትዮም ዚስውእዎን ኣዕረጉ። 6 ካብታ ሳብዐይቲ ወርሒ፡
ብቐዳመይቲ መዓልቲ፡ እቲ ንእግዚኣብሄር ዚሐርር መስዋእቲ ኬዕርጉ ጀመሩ። መቕደስ እግዚኣብሄር
ግና ኣይተመስረተን ነበረ። 7 ንወቓርቲ እምንን ንጸረብቲ ዕጨይትን ድማ፡ ከምቲ ቂሮስ ንጉስ ፋርስ
ዝኣዘዘሎም ገንዘብ ንሲዶናውያናን ንጢሮሳውያንን ዕጨይቲ ቄድሮስ ካብ ሊባኖስ ብባሕሪ ናብ ያፎ
ምእንቲ ኼምጽኡሎም፡ መብልዕን መስተን ዘይትን ሀቡ። 8 ናብታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ቤት ኣምላኽ ካብ
ዝመጹ ኸኣ ኣብ ካልኣይቲ ዓመት ኣብታ ኻልኣይቲ ወርሒ ዘሩባቤል ወዲ ሸኣልትኤልን እያሱ ወዲ
ዮጻዳቕን እቶም ዝተረፉ ኣሕዋቶም ካህናትን ሌዋውያን እቶም ካብ ምርኮ ናብ የሩሳሌም ዝመጹ
ኹላቶምን ኮይኖም ቤት እግዚኣብሄር ከሰርሑ ጀመሩ። ንሌዋውያን ከኣ ካብ ወዲ ዕስራ ዓመት ንላዕሊ
ንዕዮ ቤት እግዚኣብሄር ኪሕልው ኣቘምዎም። 9 ሽዑ እያሱ ምስ ደዉን ኣሕዋቱን ቃድሚኤልን ደቁን፡
ደቂ ይሁዳ፡ ደቂ ሔናዳድ ከኣ ምስ ደቆምን ምስ ኣሕዋቶምን ሌዋውያን ኮይኖም፡ ነቶም ዕዮ ቤት
ኣምላኽ ዚዐዩ ኺሕልው ኸም ሓደ ሰብ ኮይኖም ደው በሉ። 10 እቶም ሃነጽቲ መቕደስ እግዚኣብሄር
ኪስርቱ ኸለው ኸኣ እቶም ካህናት ድማ ለቢሶም መለኸት ሒዞም፡ ሌዋውያን ደቂ ኣሳፍ ከኣ ጸናጽል
ሒዞም፡ ከምቲ ስርዓት ዳዊት ንጉስ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ኬመስግኑ ደው ኢሎም ነበሩ። 11 ንሱ
ሕያዋይ እዩ እሞ፡ ምሕረቱ ኸኣ ኣብ እስራኤል ንዘለኣለም እዩ፡ እናበሉ ንሓድሕሶም እናተቓባበሉ
ንእግዚኣብሄር ብመዝሙር ኣኽበርዎን ወደስዎን። እቶም ህዝቢ ኹላቶም ኸኣ፡ ቤት እግዚኣብሄር ስለ
ዝተሰረተ፡ ዓው ኢሎም እልል እናበሉ ንእግዚኣብሄር ኣመስገኑ። 12 ብዙሓት ካብቶም ካህናትን
ሌዋውያንን ንዋናታት ማይ ቤት ኣቦታትን ነቲ ቐዳማይ ቤት ዝረኣዩ ኣረገውቲ ኸኣ፡ እዛ ቤት እዚኣ ኣብ
ቅድሚኦም ምስ ተሰረተት፡ ዕው ኢሎም በኸዩ። ብዙሓት ሰባት ድማ ብታሕጓስ ዓው ኢሎም ይጭድሩ
ነበሩ። 13 እቲ ህዝቢ ብሓጎስ ዓው ኢሉ ይጭድር ነበረ፡ እቲ ድምጺ ኸኣ ክሳዕ ርሑቕ ይስማዕ ነበረ፡ እቲ
ድምጺ ኸኣ ክሳዕ ርሑቕ ይስማዕ ነበረ እሞ እቲ ህዝቢ ነቲ ድምጺ ጭድርታ ሓጎስ ካብ ድምጺ ብኽያት
እቲ ህዝቢ ኺፈልዩ ኣይከኣለን።

# ምዕራፍ 4

1 እቶም ጸላኣቲ ይሁዳን ብንያምን ከኣ፡ እቶም ተማሪኾም ዝነበሩ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል
መቕደስ ከም ዝሰርሑሉ ምስ ሰምዑ፡ 2 ናብ ዘሩባቤልን ናብ ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታትን ቀሪቦም፡ ንሕና
ኸኣ ከማኻትኩም ኣምላኽኩም ንደሊ ኣሎና፡ ካብታ ኤሳርሓዶን ንጉስ ኣሶር ናብዚ ዘምጽኣና፡ መዓልቲ
ጀሚርና ድማ ንእኡ ሰዊእና ኢና እሞ፡ ምሳኻትኩም ክንሰርሕ ንደሊ ኣሎና፡ በልዎም። 3 ዘሩባቤልን
እያሱን እቶም ዝተረፉ ዋናታት ማይ ቤት እስራኤልን ግና፡ ንሕናስ ከምቲ ቂሮስ ንጉስ ፋርስ ዝኣዘዘና

በይንና ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ደአ ንሰርሓሉ እምበር፡ ንስኻትኩም ምሳና ኺንኩም
ንኣምላኽና ቤት ክትሰርሕሉ ኣይግብኣኩምን እዩ በልዎም። 4 ሽዑ እቶም ህዝቢ እታ ሃገር ኢድ ህዝቢ
ይሁዳ ኣድከሙ፡ ከይሰርሑ ድማ ኣፈራርህዎም። 5 ነቲ ምኽሮም ኬፍርሱ ድማ መኻሮ ተሻየጡሎም።
እዚ ኸኣ ብኹሉ ዘመን ቈሮስ ንጉስ ፋርስ ክሳዕ መንግስቲ ዳርዮስ ንጉስ ፋርስ ኮነ። 6 ኣሓሽዌሮሽ ምስ
ነገሰ ድማ፡ ብመጀመርታ መንግስቱ ንሳቶም ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ዩዳን የሩሳሌምን ዚነብሩ ኽሲ
ጸሓፉ። 7 ብዘመን ኣርታሕሻስታ ኸኣ ቢሻም፡ ሚትሬዳት፡ ጣብኤልን እቶም ዝተረፉ ብጾቱን ናብ
ኣርታሕሻስታ ንጉስ ፋርስ ጸሐፉ። ጽሕፈት እታ ደብዳቤ ኸኣ ብኣራማይስጢ ተጻሒፉ ነበረ እሞ፡
ብኣራማይስጢ ድማ ተተርጎመት። 8 ረሑም እቲ ሹምን ሽምሻይ እቲ ጸሓፍን ናብ ንጉስ ኣርታሕሻስታ
ኸምዚ ኢሎም ኣንጻር የሩሳሌም ደብዳበ ጸሐፉ። 9 ሽዑ ረሑ እቲ ሹምን ሽምሻይ ጸሓፍን እቶም
ዝተረፉ ብጾቶም ዲናውያንን ኣፋርሳትካውያንን ጣርጻላውያንን ኣፋርሳውያንን ኣርካውያንን
ባቢሎናውያንን ሽሻንካውያንን ዴዳውያንን ኤልማውያንን፡ 10 እቶም እቲ ዓብይን ክቡርን ኦስናፍር
ኣግዒዙ ኣብ ከተማ ሰማርያ ዘቐመጦም ካልኣት ህዝብታትን እቶም ዝተረፉ ኣብ ስግር ክንየው ርባን፡ ...
ወዘተኮይኖም ጸሓፉ። 11 ቅዳሕ እታ ናብ ንጉስ ኣርታሕሻስታ ዝሰደድዋ ደብዳበ እዚ እዩ፡ እቶም ሰብ
ስግር ክንየው ርባ ባሮትካ፡ ወዘተ... 12 እቶም ካባኻ ዝደየቡ ኣይሁድ፡ ናባና ኣብ የሩሳሌም ከም ዝመጹ
እሞ ነታ ዓለወኛን ክፍእትን ከተማ ይሰርሕዋ ኸም ዘለው፡ መካበብያኣ ኸኣ ከም ዝፈጸሙ መሰረታ
ድማ ከም ዘጽንዑ፡ ንጉስ ይፍለጥ። 13 ሕጂ ኸኣ እዛ ኸተማ እዚኣ እተን ተሰሪሓ፡ መከባቢኣውን እንተ
ተሓዲሱ፡ ግብርን ፈሰስን ተጎን ከም ዘይህቡ እሞ፡ መዝገብ ንጉስ ከም ዚጉዳእ፡ ንጉስ ይፍለጥ። 14
እምበኣርሲ ንሕና ጨው ቤት ንጉስ ካብ እንበልዕ፡ ጉድኣት ንጉስ ስቕ ኢልና ኽንርኢ ዘይግብኣና እዩ፡
ስለዚ ልኢኽና ንንጉስ ኣፍለጥናዮ። 15 ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ኣቦታትካ ይመርምሩ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ
ዓላዊት ከተማ ኸም ዝኾነት፡ ንነገስታትን ንኣውራጃታትን ከም ዝጎድኤት፡ ካብ ጥንቲ ኸኣ ኣብኣ
ዕግርግር ከም ዝገበሩ፡ ኣብቲ መጽሓፍ ዛንታ ኽትረኽቦን ክትፈልጦን ኢኻ። ብእኡ ምኽንያት ድማ እዛ
ኸተማ እዚኣ ፈረሰት። 16 እዛ ኸተማ እዚኣ እንተ ደአ ተሰሪሓ፡ መከባብያኦ ኸኣ እንተ ተሓዲሱ፡ ስግር
ክንየው ርባ ኽፍሊ ኸም ዜብልካ፡ ንንጉስ ንነግር ኣሎና። 17 ንጉስ ኣብ ረሑም ሹምን ኣብ ሺምሻይ
ጸሓፍን ኣብቶ ኣብ ሰማርያን ኣብ ካልእን ኣብ ስግር ክንየው ርባ ዝተረፉ ብጾቶምን ከምዚ ኢሉ ምላሽ
ሰደደ፡ ሰላም፡ ወዘተ... 18 እታ ናባና ዝሰደድኩዋ ደብዳበ ብግልጺ ኣብ ቅድመይ ተነቢቡ። 19 ኣነ ድማ
ኪምርምሩ ኣዘዝኩ። መርመሩ እሞ፡ እታ ኸተማ ኻብ ጥንቲ ጀሚሩ ኣብ ነገስታት ከም ዝተንስኤት፡
ኣብኣ ድማ ሸፍትነትን ህውከትን ከም እተገብረ ተረኽበ። 20 ኣብ የሩሳሌም ከኣ ንስግር ርባ ዝነብረ ኹሉ
ሃገር ዝገዝኡ ሓያላት ነገስታት ነበሩ፡ ግብርን ፈሰስን ተጎን ከኣ ንኣታቶም ይወሀብ ነበረ። 21 እምበኣርሲ
ኻባይ ትእዛዝ ክሳዕ ዚወሀብ፡ እቶም ሰባት ስራሕ ኪሓድጉ፡ እታ ኸተማ ኸኣኣ ከይትስራሕ፡ ኣዝዙ። 22
በዚ ነገር እዚ ሸለል ከይትብሉ ተጠንቀቑ። ስለምንታይ እቲ ንነገስታት ዚጎድእ ክፉእ እናበዝሔ
ዚኸይድ። 23 እታ ቕዳሕ ደብዳበ ንጉስ ኣርታሕሻስታ ናብ ቅድሚ ረሑምን ሽምሻይ ጸሓፍን ኣብ ቅድሚ
እቶም ብጾቶምን ምስ ተነበት፡ ቀልጢፎም ናብ የሩሳሌም ናብቶም ኣይሁድ ከዱ እሞ፡ ብቕልጽምን
ብሓይልን ካብ ምዕያይ ኣብኮርዎም። 24 ሽዑ ዕዮ እታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ቤት እግዚኣብሄር በኾረ፡ ክሳዕ
እታ ኻልኣይቲ ዓመት መንግስቱ ንዳርዮስ ንጉስ ፋርስ ከኣ በኾረ።

## ምዕራፍ 5

1 እቶም ነብያት ከኣ፡ ነብዩ ሃጌን ዘካርያስ ወዲ ዒዶን ነቶም ኣብ ዩዳን ኣብ የሩሳሌምን ዚነብሩ
ኣይሁድ፡ ንኣታቶም ብስም ኣምላኽ እስራኤል ተነበዮሎም። 2 ሽዑ ዘሩባቤል ወዲ ሸኣልትኤልን እያሱ
ወዲ ዮጻድቅን ተንስኡ፡ ኣብ የርሳሌም ቤት ኣምላኽ ኪሰርሑ ኸኣ ከመሩ። ምሳታቶም ኮይኖም ድማ
ነብያት ኣምላኽ ይድግፍዎም ነበሩ። 3 በቲ ጊዜ እቲ ኣብ ስግር ክንይወ ርባ መስፍን ዝነበረ ታትናይን
ሸታርቦዝናይን እቶም ብጾቶምን መጺኦም ከምዚ በልዎም፡ ነዛ ቤት እዚኣ ኽትሰርሕዋ፡ ነዚ መካበብያ
እዚውን ክትሕድሱ መን ኣዘዘኩም፧ 4 ሽዑ ኸምቲ ዝኾነ ጊርና ስም እቶም ነዚ ዕዮ እዚ ዝዐየዩ ሰባት
ነገርናዮም። 5 ዓይኒ ኣምላኾም ግና ኣብቶም ዓአይቲ ኣይሁድ ነበረት እሞ፡ እዚ ነገር እዚ ዳርዮስ ክሳዕ
ዚግሩን ምላሹ ድማ ብዛዕባኡ ደብዳበ ኽሳዕ ዚመጽእን፡ ነቲ ዕዮ ኣየብኮርዎምን። 6 እቲ መስፍን ስግር
ክንየው ርባ ታትናይን ሸታርቦዝናይን እቶም ስግር ክንየው ርባ ዚነብሩ ብጾቶም ኣፍሳካውያንን ናብ
ንጉስ ዳርዮስ ዝሰደድዋ ደብዳበ፡ ቅዳሓ እዚ እዩ። 7 ናብኡ ደብዳበ ሰደዱ፡ ኣብኣ ኸኣ ከምዚ ተጻሒፉ
ነበረ፡ ኲሉ ሰላም ንንጉስ ዳርዮስ። 8 ንሕና ኣብ ግዝኣት ይሁዳ ናብ ቤት እቲ ዓብዩ ኣምላኽ ከም
ዝኸድና፡ ንጉስ ይፍለጦ። ንሳ ኸኣ ብኣርባዕተ ዝመአዝኑ ኣእማን ትንደቕ ኣላ። ኣብ መናድቓ ድማ
ኣዕጻው ይግበሮ ኣሎ። እዚ ዕዮ እዚ ብጥንቃቐ ይዕየ፡ ኣብ ኣእዳዎም ከኣ ይሰልጠሎም ኣሎ። ሽዑ ነቶም
ዓበይቲ፡ ነዛ ቤት እዚኣ ኽትሰርሑ፡ ነዚ መከባብያዊ እዚውን ክትሕድሱ፡ መን ኣዘዘኩም፧ ኢልና
ጠየቕናዮም። 9 ሽዑ ነቶም ዓበይቲ፡ ነዛ ቤት እዚኣኽትሰርሑ፡ ነዚ መካበብያ እዚውን ክትሕድሱ፡ መን
ኣዘዘኩም ኢልና ጠየቕናዮም። 10 ስም እቶም ኣብ ልዕሊኦም ዘለው ሰባት ምእንቲ ኽንጽሕ ኽነፍልጠካ
ኢልና፡ ስሞም ሐተትናዮም። 11 እቲ ዝመለሱልና ቓል ከአ እዚ እዩ፡ ንሕና ባሮት እቲ ኣምላኽ ሰማይን
ምድርን ኢና። ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ተሰሪሓ ዝነበረት፡ ሓደ ዓብዩ ንጉስ እስራኤል ሰሪሑ አእኪልዋ
ዝነበረ ቤት ድማ ንሰርሕ ኣሎና። 12 ኣቦታትና ነቲ ናይ ሰማይ ኣምላኽ ምስ ኣኾረይዎ ግና፡ ኣብ ኢድ እቲ
ከለዳዊ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ኣሓሊፉ ሀቦም። ንሱ ኸአ ነዛ ቤት እዚኣ ኣፍረሳ፡ ነቲ ህዝቢ ድማ
ናብ ባቢሎን ማረኾ። 13 ንቂሮስ ንጉስ ባቢሎን ኣብ መጀመርታ ዓመቱ ግና እዛ ቤት ኣምላኽ ክትሰራሕ
ንጉስ ቂሮስ ኣዘዘ። 14 እቲ ናይ ቤት ኣምላኽ ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ነቡካድነጽር ካብቲ ኣብ የሩሳሌም
ዘሎ መቕደስ ወሲዱ፡ ናብ መቕደስ ባቢሎን ዚግዐዞ፡ ንጉስ ቂሮስ ካብ መቕደስ ባቢሎን ኣውጽኡ
ሸሽባጻር ንዚብሀል መስፍን ገይርዎ ዝነብረ ሀቦ። 15 እዚ ኣቓሑ እዚ ውሰድ እሞ ኪድ ኣብታ ኣብ
የሩሳሌም ዘላ መቕደስ ኣንብሮ፡ እታ ቤት ኣምላኽ ድማ ኣብታ ቦታኣ ትሰራሕ በሎ። 16 ሽዑ ሸሽባጻር
መጺኡ ነታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ቤት ኣምላኽ ሰረታ። ካብ ሽዑ ጀሚራ ኸኣ ክሳዕ ሕጂ ትስራሕ ኣላ፡ ገና
ድማ ኣይተፈጸመትን። 17 እምበኣር ንንጉስ ከምዚ እንተ ደአ ባህ ኣቢልዎስ፡ እዛ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ቤት
ኣምላኽና ክትሰራሕ፡ ካብ ንጉስ ቂሮስ ተአዚዙ እንተ ደአ ኾይኑ፡ ኣብቲ ኣብ ባቢሎን ዘሎ ቤት መዝገብ
ንጉስ ይድለ፡ ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ኸአ ንጉስ ፍቓዱ ይልአኽልና።

# ምዕራፍ 6

1 ሽዑ ንጉስ ዳርዮስ ኣብታ ኣብ ባቢሎን ምዛግብቲ ተነቢርዋ ዝነበረት ቤት መጻሕፍቲ ኺደልዩ ኣዘዘ። 2
ኣብ ኣሕመታ ኣብቲ ኣብ ግዝኣት ሜዶን ዘሎ ኣደራሽ እዚ ነገር እዚ ነምዘከርታ እተጻሕፎ ሓደ ኽታብ
ተረኽበ። 3 ብቐዳመይቲ ዓመት ንጉስ ቂሮስ፡ ንጉስ ቂሮስ እዚ ትእዛዝ እዚ አዘዘ፡ እታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ
ቤት ኣምላኽ፡ እታ መስዋእቲ ዚስውኡላ ቦታ፡ እታ ቤት ትሰራሕ፡ መሰረታ ጽኑዕ ይኹን። ቁመታ ስሳ
እመት፡ ምግፍሓ ኸአ ስሳ እመት፡ 4 ኣርባዕተ ዝመአዝኑ ኣእማን ሰለስተ መስርዕ፡ ሓደ መስርዕ ድማ

ሓድሽ ዕጨይቲ ይኹን። ዋጋኡ ግን ካብ ቤተ ንጉስ ይኸፈል። 5 እቲ ናይ ቤት ኣምላኽ ኣቓሑ ወርቅን
ብሩርን ነቡክነጻር ካብ መቕደስ የርሳሌም ወሲዱ ናብ ባቢሎን ዘምጽኦ ኸኣ፡ ኣብ መቕደስ የርሳሌም
ናብ ቦትኡ ይመለስ፡ ኣብ ቤት ኣምላኽ ድማ ኣንብሮ። 6 እምበኣር ኣታ ታትናይ መስፍን ስግር ክንየው
ርባ፡ ንስኻ ሸታርቦዝናይ ንስኻትኩም ከኣ ብጾቶም ሰብ ኣፍርሳክ፡ ስግር ክንየው ርባ ዘሎኹም፡ ካብኡ
ርሓቑ። 7 እቲ ዕዮ ቤት ኣምላኽ ይተዐየ ሕደግዎ፡ እቲ ገዛኢ ኣይሁድን እቶም ዓበይትን ኣይሁድን ነታ
ቤት ኣምላኽ ኣብ ቦታኣ ይስርሕዋ። 8 ነቶም ዓበይቲ ኣይሁድ ክትግብረሎም ዚግባእ፡ እቲ ቤት ኣምላኽ
ምእንቲ ኺሰርሑ፡ እቲ ዕዮውን ምእንቲ ኸይበኩርሲ፡ እቲ ዚኸፈል ካብቲ ኻብ ክንየው ርባ ዝወጸ
ግብሪ፡ ካብ ገንዘብ ንጉስ ነቶም ሰባት ኪወሀብ ኣዘዝኩ። 9-10 ንኣምላኽ ሰማይ ጥዑም ጨና ምእንቲ
ኼቕርቡሉን ምእንቲ ህይወት ንጉስን ደቁን ከኣ ኪጽልዩሉስ፡ ኩሉ ዜድሊ ነገር ንኣምላኽ ደማይ ዚሐርር
መስዋእቲ ዝራብዓትን ደዓውልን ገናሽልን ስርናይን ጨውን ወይንን ዘይትን፡ እትም ኣብ የርሳሌም
ዘለው ኻህናት ዝበሉኹም ኩሉ ነንመዓልቲ ኸየብኮርኩም ሀብዎም። 11 ነዚ ትእዛዝ እዚ ዝለወጠ ዘበለ
ሰብ ድማ ካብ ቤቱ ጉንዲ ይውሰዱ እሞ ተኺሎም ኣብኡ ይሸንክርዎ፡ በዚ ምኽንያት ድማ ቤቱ ጎዱፍ
ክትከውን ኣዚዘ ኣሎኹ። 12 ነዚ ኺልውጥን ነታ ኣብ የርሳሌም ዘላ ቤት ኣምላኽ ኬፍርሳን ኢሉ ኢዱ
ዚዝርግሕ ዘበለ ንጉስን ህዝብን ድማ፡ እቲ ስሙ ኣብኣ ዘሕደረ ኣምላኽ የጥፍኦዮ። ኣነ ዳርዮስ ኣዘዝኩ፡
ብጥንቃቐ ይግበርዎ። 13 ሽዑ ታትናይ፡ እቲ መስፍን ስግር ክንየው ርባን፡ ሸታርቦዝናይን እቶም
ብዞቶምን፡ ንጉስ ዳርዮስ ልኢኹ ስለ ዝኣዘዘ፡ ብጥንቃቐ ገበርዎ። 14 እቶም ዓበይቲ ኣይሁድ ከኣ ሰርሑ፡
ከምቲ ትእዛዝ ኣምላኽ እስራኤልን ከምቲ ትእዛዝ ቂሮስን ዳርዮስን ኣርታሕሻስታ ንጉስ ፋርስን
ብትንቢት ነብዩ ሃጌን ዘካርያስ ወዲ ዒዶን ተደጊፎም ቀኒዖሎም ዐየዮም ፈጸምዎ። 15 እታ ቤት ድማ
ብሳድሰይቲ ዓመት መንግስቱ ንዳርዮስ፡ ካብ ወርሒ ኣዳር ብሳልሰይቲ መዓልቲ ተፈጸመት። 16 ደቂ
እስራኤል፡ ካህናትን ሌዋውያንን ኩሎም እቶም ዝተረፉ ኻልኦት ምሩኻትን ኮይኖም፡ ነቲ ምቕዳስ ቤት
ኣምላኽ ተሓጎሶም ኣብልዐልዎ። 17 ንምቕዳስ እታ ቤት ኣምላኽ ከኣ ሚእቲ ዝራብዕ፡ ክልተ ሚእቲ
ድዑል፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ገንሸል፡ ከም ቁጽሪ እቶም ነገዳት እስራኤል ድማ ንኹላቶም እስራኤል
ንመስዋእቲ ሓጢኣት ዓሰርተው ክልተ ድቤላ ኣቕረቡ። 18 ከምቲ ኣብ መጽሓፍ ሙሴ ተጽሒፉ ዘሎ
ኸኣ፡ ካህናት በብስርዓቶም፡ ሌዋውያን በብኽፍሎም፡ ኣብ የርሳሌም ንኣምላኽ ኬገልግሉ ኣቘሙ። 19
እቶም ካብ ምርኮ እተመልሱ ኸኣኣ ካብታ ቐዳመይቲ ወርሒ ብመበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ
ፋሲጋ ኣብዐሉ። 20 ካህናትን ሌዋውያንን ከም ሓደ ሰብ ኮይኖም፡ ነጺሆም ነበሩ እሞ፡ ኩላቶም ነጽሁ።
ነቶም ካብ ምርኮ እተመልሱ ኹላቶም ነሕዋቶም ካህናትን ንርእሶምን ፋስጋ ሓረዱ። 21 እቶም ካብ ምርኮ
እተመልሱ ደቂ እስራኤልን እቶም ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኪደልዩ ኻብ ርኽሰት ህዝቢ እታ
ሃገር እተፈልዩ ኹላቶምን በልዑ። 22 እግዚኣብሄርሲ ቤት ኣምላኽ፡ ቤት ኣምላኽ እስራኤል፡ ንምስራሕ
ኣእዳዎም ኬጽንዕ ኢሉ፡ ንልቢ ንጉስ ኣሶር ናባታቶም ብምምላሱ ኣሓጎስዎም እዩ እሞ፡ በዓል ቅጫ
ሾብዓተ መዓልቲ ብሓጎስ ኣብዐሉ።

# ምዕራፍ 7

1 ድሕሪ እዚ ነገር እዚ ኸኣ ብመንግስቲ ኣርታሕሻስታ ንጉስ ፋርስ እዝራ ወዲ ሰራያ፡ ወዲ ኣዛርያ ወዲ
ሒልቂያ፡ 2 ወዲ ሻሎም፡ ወዲ ጻዶቕ፡ ወዲ ኣሒጡብ፡ 3 ወዲ ኣማርያ፡ ወዲ ኣዛርያ ወዲ መርዮት፡ 4 ወዲ
ዘራሕያ፡ ወዲ ዑዚ፡ ወዲ ቡቂ፡ 5 ወዲ ኣቢሺዓ፡ ወኢድ ፊንሃስ፡ ወዲ ኤልዓዛር፡ ወዲ ኣሮን ሊቀ

ኻህናት፡ 6 እዚ እዝራ እዚ ኻብ ባቢሎን ደየበ። ንሱ ኣብተ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ዝሀቦ ሕጊ
ሙሴ ፍጡን ጸሓፊ ነበረ። ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ድማ ምስኡ ነበረት እሞ ዝደለዮ ኹሉ ንጉስ
ሀቦ። 7 ካብ ደቂ እስራኤልን ካብ ካህናትን ካብ ሌዋውያንን ካብ ዘመርትን ካብ ኣጋፈርትን ካን ነቲኒምን
ከኣ ብሳብዐይቲ ዓመቱ ንንጉስ ኣርታሕሻስታ ምስኡ ናብ የርሳሌም ደየቡ። 8 ኣብታ ሳብዐይቲ ዓመት
ንጉስ፡ ኣብ ሓምሰይቲ ወርሒ ናብ የርሳሌም መጸ። 9 ካብ ቀዳመይቲ ወርሒ ብቐዳመይቲ መዓልቲ ኻብ
ባቢሎን ኪድይቡ ጀመሩ፡ እታ ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኹ ምስኡ ስለ ዝነበረት፡ በታ ሓምሰይቲ ወርሒ
ብቐዳመይቲ መዓልቲ ናብ የርሳሌም መጸ። 10 እዝራ ሕጊ እግዚኣብሄር ንምምርማርን ንምግባርን፡
ስርዓትን ፍርድን ከኣ ኣብ እስራኤል ኪምህርንሲ ልቡ ኣዳለወ። 11 ንጉስ ኣርታሕሻስታ ንእዝራ እቲ ኻህን
እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ንእስራኤል እተዋህበ ትእዛዛትን ሕጋጋትን ዚጽሕፍ ጸሓፊ፡ ዝሀቦ ደብዳበ ቅዳሓ
እዚ እዩ። 12 ካብ ኣርታሕሻስታ ንጉስ ነገስታት፡ ንእዝራ ኻህን፡ ፈላጥ ጸሓፊ ሕጊ ኣምላኽ ሰማይ ሰላም፡
ወዘተ... 13 ካብ ህዝቢ እስራኤልን ካብ ካህናቶምን ካብ ሌዋውያንን ናብ የርሳሌም ኪኸይድ ዚደሊ ኣብ
መንግስተይ ዘሎ ኹሉ፡ ምሳኻ ይኺድ። ኢለ ኣዚዘ ኣሎኹ። 14-16 በቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ሕጊ ኣምላኽካ፡
ንይሁዳን ንየርሳሌምን ክትምርምር፡ እቲ ንጉስን መማኽርቱን ነቲ ኣብ የርሳሌም ዚነብር ኣምላኽ
እስራኤል፡ ብፍቓዶም ዝሀብዎ ብሩርን ወርቅን ነቲ ኣብ የርሳሌም ዚነብር ኣምላኽ እስራኤል፡
ብፍቓዶም ዝሀብዎ ብሩርን ወርቅን ነቲ ኣብ ብዘላ ሃገር ባቢሎን ዝረኸብካዮ ኹሉ ብሩርን ወርቅን ድማ
ምስቲ ኻብ ህዝብን ካብ ካህናትን ብፍታው እተወፈየ ህያብ፡ ነቲ ኣብ የርሳሌም ዘላ ቤት ኣምላኾም
ፈትዮም ዘቕረብዎ ፈትዮም ዘቕረብዎ ኽትወስድ፡ ካብ ንጉስን ካብቶም ሾብዓተ መማኽርቱን ተላኢኽካ
ኢኻ። 17 ሕጂ ድማ በዚ ገንዘብ እዚ ጌርኩም ዝራብዓትን ደዓውልን ገናሽልን ምስቲ መስዋእቲ ብልዖምን
መስዋእቲ መስቲኦምን ተጊህካ ተሻየጥ እሞ ኣብታ ኣብ የርሳሌም ዘላ መሰውኢ ቤት ኣምላኽኩም
ኣቕርቦ። 18 በቲ ዝተረፈ ብሩርን ወርቅን ከኣ ንኣኻን ነሕዋትካን ቅኑዕ ኮይኑ እተራእየካ፡ ከም ፍቓድ
ኣምላኽኩም ግበርዎ። 19 እቲ ንምግልጋል ቤት ኣምላኽካ እተዋህበካ ኣቓሑ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ
የርሳሌም ሀብ። 20 ንቤት ኣምላኽካ ዜድሊ ኽትህብ ዚግብኣካ ኻልእ ነበር ከኣ ካብ ቤት መዝገን ንጉስ
ሀቦ። 21-22 ኣነ ንጉስ ኣርታሕሻስታ ድማ ነቶም ስግር ክንየው ርባ ዘለው ኹሎም ተሓዝቲ መዛግብሪ
ኣዘዝኩ፡ እዝራ ኻህን፡ እቲ ጸሓፍ ሕጊ ኣምላኽ ሰማይ፡ ካባኻትኩም ዚድልዮ ዘበለ ኽሳዕ ሚእቲ
ታለንት ብሩርን ክሳዕ ሚእቲ ቆሮስ ስርናይን ክሳዕ ሚእቲ ባት ወይንን ክሳዕ ሚእቲ በት ዘይትን፡ ጨው
ከኣ ብዘይ ስፍሪ ተጊህኩም ሀብዎ። 23 እቲ ኣምላኽ ሰማይ ዝኣዘዞ ዘበለ ንቤት ኣምላኽ ሰማይ ንጥንቃቐ
ይወሀብ። ስለምንታይ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ንጉስን ኣብ ልዕሊ ደቁን ቁጥዓ ዚመጽእ። 24 ንኹሎም
ካህናትን ሌዋውያንን ዘመርትን ኣጋፈርትን ነቲኒምን ነዚ ቤት ኣምላኽ ዘገልግሉን ድማ፡ ገለ ግብርን
ፈሰስን ተጎን ኪወድቆም ከም ዘይግባእ ነፍልጠኩም ኣሎና። 25 ንስኻ እዝራ ድማ፡ ከም መጠን እቲ ኣብ
ኢድካ ዘሎ ጥበብ ኣምላኽካ ነቲ ኽንየው ርባ ዘሎ ኹሉ ህዝቢ ዜዳንዩ፡ እቶም ሕጊ ኣምላኽካ ዚፍልጡ
ኹላቶም ፈረድትን ዳኛታትን ግበረሎም። ነቲ ሕጊ ዘይፈልጥ ከኣ ምሀርዎ።ንሕጊ ኣምላኽካን ሕጊ
ንጉስን ዘይገብሮ ኸኣ ውይ ንሞት ወይ ንስደት ወይ ንዕዳ ብገንዘብ ወይ ብማእሰርቲ ብቕልጡፍ
ይፈረዶ። 26 ንሕጊ ኣምላኽካን ሕጊ ንጉስን ዘይገብር ከኣ ወይ ንሞት ወይ ንስደት ወይ ንዕዳ ብገንዘብ
ወይ ንማእሰርቲ ስቕልጡፍ ይፈረዶ። 27-28 ነታ ኣብ የርሳሌም ዘላ ቤት እግዚኣብሄር ኬኽብር ኢሉ
ኽምዚ ዝበለ ነገር ኣብ ልቢ ንጉስ ዝገበረ፡ ንኣይ ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስን መማኽርቱን ኣብ ኩላቶም
ሓያላት ሓላቓ ንጉስን ምሕረት ዝገበረለይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦታትና ይመስገን። ኣነ ኸኣ በታ ኣብ
ልዕለይ ዘላ ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ በርታዕኩ፡ ካብ እስራኤል ድማ ምሳይ ኪድይቡ ሓላቓ

ኣኪብኩ።

# ምዕራፍ 8

1 እቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት እዚኣቶም እዮም፡ እቶም ብመንግስቲ ንጉስ ኣርታሕሻስታ ኻብ
ባቢሎን ምሳይ ዝደየቡ ኸኣ መጽሓፍ ወለዶኦም እዚ እዩ፡ 2 ካብ ደቂ ፊንሃስ፡ ጌርሾም ካብ ደቂ
ኢታማር፡ ዳንኤል፡ ካብ ደቂ ዳዊት፡ ሓጡሽ። 3 ካብ ደቂ ሽካንያ፡ ካብ ደቂ ፈርዖሽ፡ ዘካርያስ ከምቲ
ጽሕፈት ወለዶኦም ከኣ ምስኡ ሚእትን ሓምሳን ተባዕታይ ተቘጽሩ። 4 ካብ ደቂ ጳሓትሞኣብ፡
ኤልይሆዔናይ ወዲ ዘራሕያ፡ ምስኡ ድማ ክልተ ሚእቲ ተባዕታይ። 5 ካብ ደቂ ሽካንያ፡ ወዲ ያሓዚኤል፡
ምስኡ ኸኣ ሰለስተ ሚእቲ ተባዕታይ። 6 ካብ ደቂ ዓዲን ድማ፡ ዔቤድ ወዲ ዮናታን፡ ምስኡውን ሓምሳ
ተባዕታይ። 7 ካብ ደቂ ዔላም ከኣ፡ ይሻዕያ ወዲ ዓታልያ፡ ምስኡውን ሰብዓ ተባዕታይ። 8 ካብ ደቂ ሽፈጥያ
ድማ፡ ዘብድያ ወዲ ሚካኤል፡ ምስኡውን ሰማንያ ተባዕታይ። 9 ካብ ደቂ ዮኣብ፡ ዖባድያ ወዲ የሒኤል፡
ምስኡ ድማ ክልተ ሚእትን ዓሰርተው ሾሞንተን ተባዕታይ። 10 ካብ ደቂ ሸሎሚት ከኣ፡ ወዲ ዮሲፍያ፡
ምስኡ ድማ ሚእትን ስሳን ተባዕታይ። 11 ካብ ደቂ ቤባይ ከኣ፡ ዘካርያስ ወዲ ቤባይ፡ ምስኡውን ዕስራን
ሰሞንተን ተባዕታይ። 12 ካብ ደቂ ዓዝጋድ ድማ፡ ዮሓናን ወዲ ሃቃጣን፡ ምስኡውን ሚእትን ዓሰርተን
ተባዕታይ። 13 ካብ ደቂ ኣዶኒቃም ድማ እቶም ዳሕሮት ስሞም እዚ እዩ፡ ኤሊፈለጥን የዒኤልን ሸማዕያን፡
ምሳታቶምውን ስሳ ተባዕታይ። 14 ካብ ደቂ ቢግዋይ ከኣ፡ ዑታይን ዛቡድን፡ ምሳታቶምውን ሰብዓ
ተባዕታይ። 15 ናብ ኣሃዋ ኣቢሉ ናብ ዚውሕዝ ርባ ድማ ኣከብክዎም ኣብኡ ሰፈርና ኸኣ ሰለስተ መዓልቲ
ገበርና። ኣብ ህዝብን ኣብ ካህናትን ድማ ደሊኹ እሞ ኣብኡ ኻብ ደቂ ሌዊ ሓደ እኳ ኣይረኸብኩን። 16
ሽዑ ሓላቑ፡ ንኤሊዔዝር፡ ንኣሪኤል፡ ንሸማዕያ፡ ንኤልናታንን ንያሪብን ንኤልናታንን ንናታንን ንዘካርያስን
ንመሹላምን፡ ነቶም መምህራን ከኣ፡ ንዮያሪብን ንኤልናታንን ጸዋዕኩ። 17 ናብቲ ኣብ ቦታ ካሲፍያ ሓለቓ
ዝነበረ፡ ናብ ኢዶ ሰደድክዎም። እቲ ነቶም ኣብ ቦታ ካሲፍያ ዝነበሩ ኢዶን ኣሕዋቱነቲኒምን ንቤት
ኣምላኽ ኣገልገልቲ ምእንቲ ኺሰዱልና ኸኣ፡ ኪዛረብዎ ዚግብኦም ቃላት ኣብ ኣፎም ኣንበርኩ። 18
ከምታ ኣብ ልዕሌና ዝነበረት ሕያወይቲ ኢድ ኣምላኽና ኸኣ፡ ካብ ደቂ ማሕሊ ኣዝዩ ብልሂ ዝነበረ
ሰብኣይ፡ ወዲ ሌዊ፡ ወዲ እስራኤል፡ ሸረብያ ድማ ምስ ደቁን ኣሕዋቱን ዓሰርተው ሾሞንተ ኣምጽኡልና።
19 ሓሻብያ፡ ምስኡ ድማ ይሻዕያ ኻብ ደቂ መራሪ ምስ ኣሕዋቱን ደቆምን ዕስራ። 20 ካብ ነቲኒም ድማ
ዳዊትን ሓላቑን ንሌዋውያን ኬገልግሉ ዘመዘዝዎም ክልተ ሚእትን ዕስራን ነቲኒም፡ ነዚኣቶም ኩላቶም
በብስሞም እተጸውዑ ሰደዱልና። 21 ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ርስትና ኽነዋርድ፡
ንኣናን ንሕጻናትናን ንኹሉ ጥሪትናን ቅንዕቲ መገዲ ኻብኡ ኽንልምን ኢለ፡ ኣብ ርባ ኣሃዋ ጾም
ኣወጅኩ። 22 ንንጉስ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ንዚደልይዎ ኹላቶም ንጽቡቕ፡ ስልጣኑን ኩራኡን
ግና ኣብ ልዕሊ እቶም ዚሓድግዎ ኹላቶም ከም ዝኾነት ኢልናዮ ነበርና እሞ፡ ስለዚ ኣብ መገዲ ኻብ
ጸላእቲ ኺድሕኑና፡ ጭፍራን ፈረሰኛታትን ምልማን ሐንኽኩ። 23 ብዛዕባ እዚ ኸኣ ጾምናን ኣብ ኣምላኽና
ጸሌናን፡ ንሱ ድማ ሰምዓና። 24 ካብ ሊቃነ ኻህናት ከኣ ዓሰርተው ክልተ፡ ሸረብያን ሓሻብያን፡ ምሳታቶም
ድማ ካብ ኣሕዋቶም ዓሰርተ ፈሊኹ። 25 እቲ ንጉስን መማኽርቱን ሓላቑኡን፡ እቶም ካብ እስራኤል
እተረኽቡ ኹላቶምን ንቤት ኣምላኽና ዝቐደስዎ ህያቦም ብሩርን ወርቅን ኣቓሑን መዘንኩሎም። 26-27
ሹዱሽተ ሚእትን ሓምሳን ታለንት ብሩር፡ ኣቓሑ ብሩር ድማ ሚእቲ ታለንት ወርቂ ኸኣ ሽሕ ዳሪክ
እተመዝነ፡ ክለ ጭሔሎ ድማ ከም ወርቂ ዝምኽባሩ ኻብ ጽሩይ ዜንጸባርቕ ኣስራዚ እተሰርሐ ኣቓሑ

መዚኑ ኣብ ኢዶም ሀብክዎም። [28] ንኣታቶም ድማ፡ ንስኻትኩም ንእግዚብሄር እተቐደስኩም ኢኹም፡ እዝ ኣቓሑውን ቅዱስ እዩ። እቲ ወርቅን ብሩርን ከአ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦኣትትኩም ናይ ፍቓድ ህያብ እዩ። [29] ኣብ ቅድሚ ሊቃውንቲ ኻህናትን ሌዋውያንን ኣብ ቅድሚ ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት እስራኤልን ኣብ የርሳሌም ኣብቲ ኽፍልታት ቤት እግዚኣብሄር ክሳዕ እትመዝኑ ተጠንቂቕን ሓልውን፡ በልክዎም። [30] እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ከአ ናብ የርሳሌም ናብ ቤት ኣምላኽና ኺወስድዎ ብሩርን ወርቅን ኣቓሑን ብሚዛን ተቐበሉ። [31] ብቐዳመይቲ ወርሒ ብመበል ዓሰርተው ክልተ መዓልቲ ኸአ ናብ የርሳሌም ክንከይድ፡ ካብ ርባ ኣሃዋ ተለዐልና። ኢድ ኣምላኽና ድማ ኣብ ልዕሌና ነበረት እሞ ኣብ መገዲ ኻብ ኢድ ጸላእን ካብ ድብቕን ኣድሒነትና። [32] ናብ የርሳሌም ድማ በጻሕና፡ ኣብኡ ኸአ ሰለስተ መዓልቲ ተቐመጥና። [33] በታ ራብዐይቲ መዓልቲ ድማ እቲ ብሩርን ወርቅን እታ ኣቓሑን ኣብ ቤት ኣምላኽና ብኢድ መሬሞት ወዲ ኻህን ኡርያ ተመዝነ። ምስኡ ድማ ኣልኣዛር ወዲ ፊንሃስ ነበረ፡ ምሳታቶም ከአ እቶም ሌዋውያን ዩዛበድ ወዲ እያሱ፡ ኖዓድያ ወዲ ቢኑእ ነበሩ። [34] ኩሉ ተቖጺሩን ተመዚኑን፡ በቲ ጊዜ እቲ ኸአ ኩሉ እቲ እተመዝነ ተጻሕፈ። [35] እቶም ኣብ ምርኮ ነይሮም ዝመጹ ምሩኻት ንኣምላኽ እስራኤል ዚሓርር መስዋእቲ ኣቕረቡሉ፡ ዓሰርተው ክልተ ዝራብዓት ስለ ኹሎም እስራኤል፡ ተስዓን ሹዱሽተን ድዑል፡ ሰብዓን ሾብዓተን ገንሸል፡ ዓሰርተው ክልተ ድቤላ ኸአ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ኣቕረቡ። እዚ ኹሉ ንእግዚኣብሄር ዚሓርር መስዋእቲ ነበረ። [36] እቲ ትእዛዝ ንጉስ ንመኳንንቲ ንጉስን ስግር ክንየው ርባ ንዝነበሩ መሳፍንትን ሀብዎም። ንሳቶም ከአ ንህዝብን ንቤት እግዚኣብሄርን ሓገዙ።

## ምዕራፍ 9

[1] እዚ ነገር እዚ ምስ ተወድኤ ድማ፡ እቶም ሓላቑ ናባይ ቀሪቦም ከምዚ በሉ፡ ህዝቢ እስራኤልን ካህናትን ሌዋውያንሲ ኻብ ህዝብታት እታ ሃገር ኣይተፈልዩን፡ ኤረ ኽምቲ ናይ ከነኣናውያን፡ ናይ ሔታውያን፡ ናይ ፈረዛውያን፡ ናይ ይቡሳውያን፡ ናይ ዓሞናውያን፡ ናይ ሞኣባውያን፡ ናይ ግብጻውያን፡ ናይ ኣሞራውያን ጽያፍ ይገብሩ ኣለው። [2] እዚ ኸአ ንኣታቶምን ንደቆምን ካብ ኣዋልዶም ስለ ዝወሰዱ፡ ነቲ ቅዱስ ዘርኢ ምስ ኣህዛብ እዘን ሀገራት እዚኤን ስለ ዝጸንበሩ እዩ። ነዚ ዓመጻ እዚ ዝጀመረውን ኢድ እቶም ሓላቑን መኳንንትን እዩ። [3] ነዚ ነገር እዚ ምስ ሰምዑ ድማ፡ ክዳነይን ባርኖሰይን ቀደድኩ፡ ጸጕሪ ርእሰይን ጭሕመይን ከአ ነጼኹ፡ ሐዚነ ድማ ኮፍ በልኩ። [4] ሽዑ እቶም ንቓል ኣምላኽ እስራኤል ዚፈርሁ ኹላቶም ብዛዕባ ዓመጻ እቶም ካብ ምርኮ እተመልሱ ናባይ ተኣከቡ። ኣነ ኸአ ክሳዕ እቲ ናይ ምሸት መስዋእቲ ብልዒ ሐዚነ ኾፍ በልኩ። [5] ብጊዜ መስዋእቲ ምሸት ከአ ምስ ቅዱድ ክዳነይ ባርኖሰይን ካብ ሐዘነየይ ተንሳእኩ። ብብርከይ ተንበርኪኸ ድማ፡ ኣእዳወይ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ዘርጋሕኩ። [6] በልኩ ድማ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ በደልና ኽሳዕ ልዕሊ ርእስና በዚሑ ዓመጻና ኸአ ክሳዕ ሰማይ ዐብዩ እዩ እሞ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ገጸይ ናባኻ ኽየልዕልሲ የሕፍረንን የፍርሃንን። [7] ንሕና ኻብ ዘመን ኣቦታትና ጀሚርና ኽሳዕ ሎሚ መዓልቲ ኣብ ዓብዩ ዓመጻ ኣሎና። ብዛዕባ በደልና ድማ ንሕናን ነገስታትናን ካህናትናን፡ ሎሚ ኽም ዝኾነ፡ ንሴፍን ንምርኮን ንምብዝባዝን ንምሕፋር ገጽን ክንከውን ኣብ ኢድ ነገስታት ሃገራት ተወሀብና። [8] ሕጂ ድማ ገለ ተረፍ ኪሐድገልና ኣብታ ቅድስቲ ቦታኡ ሸኻል ክሀበናን ኣምላኽና ኣዒንትና ኼብርሃልናን፡ ኣብ ባርነትና ድማ ገለ ቕሩብ ትንፋስ ኪህበና፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽም ቅጽበት ዓይኒ ምሕረት ኮነልና። [9] ንሕና ባሮት ክነስናስ፡ ቤት ኣምላኽና ኽነቕውም ነቲ ዑናኡ ኸአ ክንሕድስ፡ ኣብ ይሁዳን ኣብ የርሳሌምን ድማ ሓጹር ምእንቲ ኺወሀበና፡

ንሳቶም ትንፋስ ኪህቡናስ ኣብ ቅድሚ ነገስታት ፋርስ ምሕረት መለሰልና እምበር፡ ኣምላኽና ኣብ
ባርነትና ኣይሓደገናን። 10-12 ዎ ኣምላኽና፡ እታ ኽትወርስዋ እትኣትውዋ ምድሪ፡ ንሳ ጽያፍ እቶም ካብ
ወሰን ክሳዕ ወሰን መሊኦምዋ ዘለው ብርኽሰት ህዝብታት እተን ሃገራት ረኺሳ እያ። እምበኣርሲ ምእንቲ
ኽትጸንዑን፡ ጥዑም ፍረ እታ ምድሪ ኽትበልዑን፡ ደቅኹም ከኣ ንዘለኣለም ኪወርስዋብሲ ሕጂ
ኣዋልድኹም ነወዳቶም ኣይትሀቡ። ኣዋልዶም ከኣ ነወዳትኩም ኣይትውሰዱ። ንሓዋሩ ሰላሞምን
ደሓኖምን ኣይትድለዩ፡ ኢልካ ብባሮትካ ነብያት ዝኣዘዝካዮ ትእዛዛትካ ሓዲግና ኢና እሞ፡ ሕጂኸ ድሕሪ
እዚ እንታይ ክንብል ኢና፡ 13 እቲ ብድሕሪ ብሰሪ ኽፉእ ግብርናን ብሰሪ እቲ ዓብዩ ዓመጽናን ዝረኸበና
ኹሉ ነገር፡ ንስኻ ድማ፡ ዎ ኣምላኽና፡ ከም በደልና ኻብ ዘይቀዘፍካና፡ ከምዚ ዝበለ ተረፍ ከኣ
ዝሀብካናስ፡ 14 መሊስና ትእዛዛትካ ኣፍሪስና ምስ እዞም ጽያፍ ዚገብሩ ኣህዛብ ክንዋሰብ ኢና፡
ዚተርፍን ዚመልቐን ዜልቦ ኽሳዕ እንውዳእዶ እዩ ቑጥዓኻ ኣብ ልዕሌና ኣይምነደደን፡ 15 ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል፡ ንስኻ ጻድቕ ኢኻ፡ ከምቲ ሎሚ መዓልቲ ኾይንዎ ዘሎ፡ ዘምለጥና ተረፍ ኢና እሞ
እኔና፡ ኣብ ቅድሜኻ ምስ ዐመጽና፡ በዚ ምኽንያት እዚ ኣብ ቅድሜኻ ደው ዚብል የልቦን።

## ምዕራፍ 10

1 እዝራ እናጸለየን እናተናዘዘን እናበኸየን፡ ኣብ ቅድሚ ቤት ኣምላኽ ብገጹ ወዲቑ ኸሎ፡ ካብ እስራኤል
ኣዝዩ ብዙሕ ኣኼባ፡ ሰብኡትን ኣንስትን ቆለውዕን ናብኡ ተኣከበ። እቲ ህዝቢ ኸ ብርቱዕ ብኽያት
በኸየ። 2 ካብ ደቂ ዔላም ሸካንያ ወዲ የሒኤል ንእዝራ ኸምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ ንሕና ኻብቶም ህዝብታት
እታ ሃገር ጓኖት ኣንስቲ ብምእታውና ንኣምላኽና በደልና። ሕጂ ኸኣ በዚ ነገር እዚ ንእስራኤል ገና ተስፋ
ኣሎ። 3 እምበኣርሲ ሕጂ ኸም ምኽሪ ጐይታይን እቶም ንትእዛዝ እግዚኣብሄር ዝፈርሁን፡ ከምቲ ሕጊ
ድማ ኪግበርን ንኹለን ኣንስትን እቶም ካባታተን ኣተወልዱን ክንሰድድ፡ ምስ ኣምላኽና ኺዳን ንአቱ። 4
እዚ ነገር እዚ ተግባርካ እዩ እሞ ተንስእ፡ ተቢዕካ ግበሮ ንሕናውን ምሳኻ ኢና። 5 ሽዑ ኸኣ እዝራ
ተንሲኡ ንሊቃውንቲ ኻህናትን ንሌዋውያንን ንኹላቶም እስራኤልን ከምዚ ነገር እዚ ኺገብሩ
ኣምሓሎም፡ ንሳቶም ከኣ መሓሉ። 6 እዝራ ድማ ካብ ቅድሚ ቤት ኣምላኽ ተንሲኡ፡ ናብ ክፍሊ ቤት
ዮሓናን ወዲ ኤልያሺብ ከደ። ናብኡ ኺይዱ ኸኣ ብዛዕባ በደል እቶም ኣብ ምርኮ ዝነበሩ ይጉሂ ነበረ
እሞ እንጌራ ይበልዔን ማይ ኣይሰተየን። 7 እቶም ደቂ ምርኮ ኹሎም ናብ የሩሳሌም ኪእከቡ ድማ ኣብ
ዩዳን ኣብ የሩሳሌምን ኣዋጅ ኣወጁ። 8 ከም ምኽሪ እቶም ሓለቓታትን ዓበይትን ክሳዕ ሰለስተ መዓልቲ
ዘይመጸ ዘበለ፡ ገንዘቡ ይወረስ፡ ንሱ ድማ ካብ ማሕበር እቶም ካብ ምርኮ ዝወጹ ይፈለ። 9 በተን ሰለስተ
መዓልቲ ድማ ኩሎም ሰብ ይሁዳን ብንያምን ናብ የሩሳሌም ተኣከቡ። ንሳ ኻብታ ታስዐይቲ ወርሒ
መበል ዕስራ መዓልቲ ነበረት። ኩሎም እቶም ህዝቢ በዚ ነገር እዝን በቲ ብርቱዕ ዝናምን
እናኣኣብቀጥቀጡ ኣብ ኣጸድ ቤት ኣምላኽ ኮፍ ኢሎም ነበሩ። 10 እዝራ ኻህን ከኣ ብድድ ኢሉ፡
ንስኻትኩም ንዓመጽ እስራኤል ከተብዝሑ፡ ጓኖት ኣንስቲ ብምእታኩም በደልኩም። 11 ሕጂ ኸኣ ናብ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣቦኣታትኩ ተናዘዙ፡ ፍቓዱውን ግበሩ፡ ካብ ህዝብታት እዛ ሃገርን ካብተን ጓኖት
ኣንስትን ተፈለዩ በሎም። 12 ሽዑ ኹሎም እቶም ኣኼባ ቓሎም ዓው ኣቢሎም ከምዚ ኢሎም መለሱ፡
ሕራይ ከምቲ ዝበልካና ኽንገብር ይግብኣና ኢዩ። 13 እቲ ህዝቢ ግና ብዙሕ እዩ፡ ጊዚኡ ጊዜ ዝናም እዩ
እሞ ኣብ ግዳም ደው ክንብል ኣይንኽእልን። በዚ ነገር እዚ ኣዚና በዲልና ኢና እሞ፡ ዕዮኡ ድማ ናይ
ሓደ ወይ ናይ ክልተ መዓልቲ ኣይኮነን። 14 እቶም ሓላቑና ንብዘሎ እቲ ኣኼባ ይቘሙሉ። እቲ ብዛዕባ

እዚ ነገር እዚ ዚረኸበና ነዳዲ ቑጥዓ ኣምላኽናኣ ኻባና ኽሳዕ ዚምለስሲ፡ እቶም ጓኖት ኣንስቲ ዘእተው ኣብ ከተማታትና ዘለው፡ ምሳታቶም ድማ ዓበይትን ፈረድቲ ኹለን ከተማታትን ብምዱብ ግዚያት ይምጽኡ። 15 ዮናታን ወዲ ዓሳህኤልን ያሕዝያ ወዲ ቲቅዋን ጥራይ ነዚ ተቓወምዎ፡ መሹላምን ሾብታይ ሌዋውን ከአ ሓገዝዎም። 16 እቶም ደቂ ምርኮ ኸአ ከምኡ ገብሩ። እዝራ እቲ ኻህንን እቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታትን ድማ ነንማይ ቤት ኣቦታቶም ኩላቶም በብስሞም ፈለይዎም። ብዓስረይቲ ወርሒ ብቐዳመይቲ መዓልቲ ነዚ ነገር እዚ ኽምርምሩ ኾፍ በሉ። 17 ኣብታ ቐዳመይቲ ወርሒ በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ድማ ነቶም ጓኖት ኣንስቲ ዘእተው ኹሎም ሰባት መርሚሮም ወድኡ። 18 ካብ ደቂ ኻህናት ከአ ጓኖት ኣንስቲ ዘእተው ተረኽቡ፡ ካብ ደቂ እያሱ ወዲ ዮጻድቅን ኣሕዋቱን ድማ፡ ማዓሰያን ኤሊዔዘርን ያሪብን ገዳልያን፡ 19 ንሳቶም ኪሰዱ ኣእዳዎም ሀቡ። በደልቲ ኾይኖም ከአ፡ ንበደሎም ካብ መጓሰ ድዑል ሰውኡ። 20 ካብ ደቂ ኢመር ድማ፡ ሓናኒን ዝባድያን። 21 ካብ ደቂ ሓሪም ከአ፡ ማዓስያን ኤልያን ሽማዕያን የሒኤልን ዑዚያን። 22 ካብ ደቂ ጳሽሑርውን፡ ኤልዮዔናይ፡ ማዕሰያ፡ እስማዔል፡ ንታንኤል፡ ዮዛባድን ኤልዓሳን። 23 ካብ ሌዋውያን ድማ፡ ዮዛባድን ሺምዓን ቄላያን፡ ንሱ ቅሊጣ እተባህለ፡ ጴታሕያ፡ ይሁዳ፡ ኤልዔዘር ከአ። 24 ካብ ዘመርቲ ድማ፡ ኤልያሺብ። ካብ ኣጋፈርቲውን፡ ሻሎምን ጠለምን ኡሪን። 25 ካብ እስራኤል ከአ ካብ ደቂ ፋርዖሽ፡ ራምያን ዩዝያን ማልክያን ሚያሚን ኤልዓዛርን ማልክያን በናያን። 26 ካብ ደቂ ዔላም ድማ፡ ማታንያን ዘካርያን የሒኤልን ዓቢዲን ይሬሞትን ኤልያን። 27 ካብ ደቂ ዛቱውን ኤልዮዔናይ” ኤልያሺብ፡ ማታንያን ይሬሞትን ዛባድን ዓዚዛን። 28 ካብ ደቂ ቤባይ ከአ፡ ይሆሓናን ሓናንያን ዘበይን ዓትላይን። 29 ካብ ደቂ ባኒ ድማ፡ መሹላም ማሉክ፡ ዓዳያ፡ ያሹብ፡ ሽኣልን ይራሞትን። 30 ካብ ደቂ ጳሓትሞኣብ ከአ፡ ዓድና፡ ክላል በናያ ማዓሰያ፡ ማታንያ ብጻልኤል፡ ቢኑኢን ምናሴን። 31 ካብ ደቂ ሓሪም ድማ፡ ኤልዔዘር ዮሺያ፡ ማልኪያ፡ ሽማዕያ፡ ሽምዖን፡ 32 ቢንያሚን፡ ማሉክ ሽማርያ። 33 ካብ ደቂ ሑሹም መትናይ፡ ማታት፡ ዛባድ ኤልፈለጥ፡ ይሬማይ ምናሴ፡ ሺምዒ። 34 ካብ ደቂ ባኒ፡ ማዓዳይ፡ ዓምራም፡ኡኤል ከአ፡ 35 በናይ፡ ቤድያ፡ ክሉሂ፡ 36 ዋንያ፡ መሬሞት፡ ኤልያሺብ፡ 37 ማታንያ፡ ማትናይ፡ የዓሳው ድማ፡ 38 ባኒን ቢኑኢን ሺምዓን፡ 39 ሸለምያን ናታንን ዓዳያን፡ 40 ማክናድባይ ሸሻይ፡ ሻራይ፡ 41 ዓዛርኤል ሸለምያን ሽማርያን። 42 ሻሎም፡ ኣምርያ፡ ዮሴፍ። 43 ካብ ደቂ ኔቦ፡ ይዒኤል፡ ማቲትያ፡ ዛባድ፡ ዘቢና፡ ያዳይ፡ ዮኤልንን በናያን። 44 እዚኣቶም ኩሎም ጓኖት ኣንስቲ ኣእትዮም ነበሩ፡ ካባታተንውን ዝወለዳ ኣንስቲ ነበራ።

# መጽሓፍ ነህምያ

## ምዕራፍ 1

[1] ዘረባ ነህምያ ወዲ ሓካልያ። ኮነ ድማ፡ ካብ መበል ዕስራ ዓመት ኣብ ወርሒ ከስለው፡ ኣነ ኣብ ግምቢ
ሱሳን ነበርኩ። [2] ሓናኒ ሓደ ኻብ ኣሕዋተይን ገለ ሰብ ካብ ይሁዳን መጹ። ኣነ ድማ ብዛዕባ እቶም
ዘምለጡን ካብ ምርኮ ዝተረፉ ኣይሁድን ብዛዕባ የሩሳሌምን ሐተትክዎም። [3] ንሳቶም ድማ፡ እቶም
ዝደሐኑን እቶም ካብ ምርኮ ዝተረፉን፡ ኣብኡ ኣብታ ሃገር፡ ብብዙሕ መከራን ጸርፍን እዮም ዚነብሩ
ዘለው፡ መከባብያ የሩሳሌም ከኣ ፈሪሱ ደጌታታውን ብሓዊ ነዲዱ በሉኒ። [4] ኮነ ድማ፡ እዚ ዘረባ እዚ
ምስ ሰማዕኩ፡ ሓያሎ መዓልቲ ሐዚነ እናበኼኹ ተቐመጥኩ። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሰማይ ድማ
እጻውምን እጽልን ነበርኩ። [5] በልኩ ኸኣ፡ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይ፡ ዓብዩን መፍርህን ኣምላኽ፡
ነቶም ዚፈትዉኻን ትእዛዝካ ድማ ንዚሕልዉን ኪዳንካን ምሕረትካን እትሕሉ፡ [6] እቲ ንኣኻ ዝበደልናዮ
ሓጢኣት ደቂ እስራኤል ዝእመኖ ዘሎኹ፡ ኣነን ቤት ኣቦይንሲ በዲልና ኢና እሞ እዚ ኣነ ባርያኻ ሕጂ
ብዛዕባ ባሮትካ ደቂ እስራኤልን ለይትን መዓልትን ኣብ ቅድሜኻ ዝጽልዮ ዘሎኹ ጸሎትን ክትሰምዕ፡
በጃኻ ኣእዛንካ ጽን ይበላ፡ ኣዒንትኻውን ይከፈታ። [7] ንሕና ኣዚና ንኣኻ ዐጊብና እቲ ንባርያኻ ሙሴ
ዝኣዘዝካዮ ትእዛዛትን ሕጋጋትን ፍርድታትን ድማ ኣይሐሎናዮን። [8] በጃኻ እቲ ንባርያኻ ሙሴ ኸምዚ
ኢልካ ዝኣዘዝካዮ ዘክር፡ እንተን በደልኩምኒ፡ ኣነ ኸኣ ናብ ኣህዛብ ፋሕ ከብለኩም እየ። [9] ናባይ እንተ
ተመለስኩምን ትእዛዛተይ ከኣ እንተ ሓሎኹምን እንተ ገበርኩምዎን ግና፡ እቶም እተዘርዉኹም፡ ኣብ
ወሰን ሰማይ እኳ እንተ ዚህልው፡ ካብኡ ኽእከቦም እየ፡ ናብታ ስመይ ኣብኣ ኺሓድር ዝሓሬኽዋ ቦታ
ድማ ከምጽኦም እየ። [10] ንሳቶም ብዓብዩ ሓይልኻን ብጽንዕቲ ኢድካን እተበጀኻዮም ባሮትካን ህዝብኻን
እዮም። [11] ዎ ጐይታይ፡ በጃኻ ጸሎት ባርያኻን ጸሎት እቶም ስምካ ብምፍራህ ዚፍስሁ ባሮትካን ስማዕ፡
በጃኻ፡ ሎሚ ንባርያኻ ኣቕንዓሉ፡ ኣብ ቅድሚ እዚ ሰብኣይ እዚ ኸኣ ንባርያኻ ምሕረት ሀቦ። ኣነ ሽዑ
ኣሰላፍ ሜስ ንጉስ ነበርኩ።

## ምዕራፍ 2

[1] ኮነ ኸኣ፡ ኣብ መበል ዕስራ ዓመቱ ንንጉስ ኣርታሕሻስታ፡ ብወርሒ ኒሳን፡ ኣብ ቅድሚኡ ወይኒ ነበረ፡
ነቲ ወይኒ ወሲደ ኸኣ፡ ንንጉስ ሀብክዎ። ቀደም ኣብ ቅድሚኡ ጉህይ ኣይነበርኩን። [2] እቲ ንጉስ ከኣ፡
ዘይሐመምካ ኽነስኻ ገጽካ ጉህዩ፡ እንታይ ኼንካ ኢኻ፡ እዚ ኻልእ ነገር ኣይኮነን፡ ጓሂ ልቢ ደኣ እዩ
በለኒ። ሽዑ ኣዝየ ፈርህኩ። [3] ንንጉስ ከኣ፡ ንጉስ ንዘለኣለም ይንበር፡ እታ ቤት መቓብር ኣቦታተይ ዘለዋ
ኸተማ ፈሪሳ፡ ደጌታታውን ብሓዊ ተወዲኤን ከለዋ ደኣ፡ ከመይ ገይረ ገጸይ ዘይጽልም፡ በልክዎ። [4] እቲ
ንጉስ ከኣ፡ እንታይ እሞ ትደሊ፡ በለኒ። ሽዑ ኣነ ኣብ ኣምላኽ ሰማይ ጸሌኹ። [5] ንንጉስ ድማ፡ ንጉስ
ጽቡቕ ኮይኑ እንተ ተራእይዎ፡ ጊልያኻ ድማ ኣብ ቅድሜኻ እንተ ደኣ ኣሐጉሱካስ ነታ ኸተማ መቓብር
ኣቦታተይ ክሰርሓ ናብ ይሁዳ ስደደኒ በልክዎ። [6] እቲ ንጉስ ከኣ፡ ንግስቲ ኣብ ጥቓኡ ኾፍ ኢላ ኸላ፡
ናብኡ ኽትከይድ ክንደይ ጊዜ የድልየካ፡ መኣዝከ ትምለስ፡ በለኒ። ነቲ ንጉስ ዘመኑ ቖሪጸ ነገርክዎ፡ ኢ
ነቲ ንጉስ ባህ ኣበሎ ሰደደኒ ኸኣ። [7] ንንጉስ ድማ፡ እቶም ስግር ክንየው ርባ ዘለው መሳፍንቲ፡ ምድሪ

ይሁዳ ኸሳዕ ዝአቱ ምእንቲ ኬሕልፉኒ፡ ንንጉስ ጽቡቕ እንተ መሰሎ፡ ናይ ንጉስ ፈቓድ ደብዳበ
ይወሀበኒ፡ 8 ንኣሳፍ ሓላው ዱር ንጉስ ድማ ነታ ቤት ግምብን ደጌታትን፡ ነታ ኸተማ ኸኣ መካበብያን
ኣነ ንዝአትዋ ቤትውን ክሰርሓሉ ኣእዋም ኪህበኒ፡ ደብዳቢ ሀበኒ በልክዎ። ከምታ ሕያወይቲ ኢድ
ኣምላኸይ ምሳይ ዝነበረት ከአ፡ ንጉስ ሀበኒ። 9 ናብ እቶም ስግር ከንየው ርባ ዘለው መሳፍንቲ ድማ
መጻእኩ። እቲ ናይ ንጉስ ደብዳቤታት ከአ ሀብክዎም። እቲ ንጉስ ድማ ሓላቑ ሰራዊትን ፈረሰኛታትን
ምሳይ ሰዲዱ ነበረ። 10 ሳንባላጥ እቲ ሖሮናውን ጦብያ እቲ ዓሞናዊ ባርያን ንደቂ እስራኤል ጽቡቕ
ዚሐስበሎም ሰብ ከም ዝመጸ ምስ ሰምዑ፡ ዓብዩ ጓሂ ጓሀዩ። 11 ናብ የርሳሌም ከአ መጻእኩ፡ ኣብኣ ድማ
ሰለስተ መዓልቲ ተቐመጥኩ። 12 ኮነ ኸኣ ብለይቲ ተንሳእኩ፡ ሒደት ሰባትውን ምሳይ ነበሩ። እቲ ኣነ
ንየርሳሌም ክገብረላ፡ ኣምላኸይ ኣብ ልበይ ዝሀበኒ ኸኣ ንሓደ ሰብ እኳ ኣይነገርኩን። ብዘይ እታ ኣነ
ተወጢሐያ ዝነበርኩ እንሳሳ ኸአ ካልእ እንስሳ ኸአ ምሳይ ኣይነበራንን። 13 ብለይቲ ድማ በታ ስንጭሮ
ደገ ወጻእኩ፡ ኣብ መንጽር ዔላ ገበልን ኣብ ደገ መጉሓፍን ኣቢለ ኸአ፡ እቲ ወድኣ ደጌታትን ርኤኹ። 14
ናብታ ደገ ዔላን ናብቲ ሓጽቢ ንጉስን ከአ ሐለፍኩ። እታ ተወጢሐያ ዝነበርኩ እንስሳ እትሓልፈሉ ቦታ
ግና ሰአንኩ። 15 ሽዑ በታ ለይቲ እቲኣ በቲ ርባ ርባ እናደየብኩ ነቲ መካበብያ እርእዮ ነበርኩ። ተመሊሰ
ድማ በታ ናይ ስንጭሮ ደገ ኣቶኹ፡ ከምዚ ኢለ ተመለስኩ። 16 እቶም ሓላቑ ግና ኣነ ዝኸድክዎን ኣነ
እንታይ ከም ዝገበርኩን ኣይፈለጡን ነበሩ። ክሳዕ እዛ ግዜ እዚኣ ድማ ንኣይሁድን ንኻህናትን ንኸበርተን
ንመሳፍንትን ነቶም ዝተረፉ ዕዮ ዚዐዩ ዝነበሩን ምንም ኣይነገርኩን። 17 ሽዑ ኣነ፡ ንሕና ኣብ ከመይ ዝበለ
ሓሳረ መከራ ኸም ዘሎና ንስኻትኩም ትርእዩ ኣሎኹም፡ የርሳሌም ባዲማ፡ ደጌታታ ኸአ ብሓዊ
ተወዲኤን። እምበኣርሲ ንድሕርዚ መላገጺ ኸይንኸውን፡ ንዑናይ፡ መካበብያ የርሳሌም ንስራሕ፡
በልክዎም። 18 እታ ኢድ ኣምላኸይ ኣብ ልዕለይ ሕያወይቲ ኸም ዝኾነትን እቲ ንጉስ ዝነገረኒ ዘረባን
ነገርክዎም። ንሳቶም ከአ፡ ንልዐል እሞ ንስራሕ፡ ኢሎም ኣእዳዎም ነቲ ጽቡቕ ስራሕ ኣጽንዕወን። 19
ሳንባላጥ እቶ ሖሮናውን ጦብያ እቲ ዓሞናዊ ባርያን ጌሸም እቲ ዓረባውን ምስ ሰምዑ፡ ኣላገጹልና
ነዐቑናን እሞ፡ እዚ ንስኻትኩም እትገብሮ ነገር እንታይ እዩ፡ ንስኻትኩምሲ ኻብ ንጉስዶ ኸትዐልዉ
ትደልዩ ኣሎኹም ድማ በሉ። 20 ሽዑ ኣነ ኸምዚ ኢለ መለስኩሎም፡ ኣምላኽ ሰማይ ኬቕንዓልና እዩ
እሞ፡ ንሕና ባሮቱ ተንሲእና ኸንዐዩ ኢና። ንስኻትኩም ግና ኣብ የርሳሌም ክፍልን ግቡእን መዘከርታን
የብልኩምን በልክዎም።

## ምዕራፍ 3

1 ኤልያሺብ እቲ ሊቀ ኻህናት ከአ ምስ ኣሕዋቱ ኻህናት ኮይኑ ተንስኤ፡ ነቲ ደገ ምስ ኣሕዋቱ ኻህናት
ኮይኑ ተንስኤ፡ ነቲ ደገ ኣባጊዕ ነደቕዎ ቀደስዎ ኸአ፡ መዓጹኡውን ኣቁሙሉ። ክሳዕ ግምቢ ሃናንኤል
ድማ ቀደስዎ። 2 ሰብ ያሪኮ ኸአ ኣልጊቦም ነደቑ። ዛኩር ወዲ ኢምሪውን ኣልጊቡ ነደቐ። 3 ደቂ ሰናኣ ድማ
ደገ ዓሳ ነደቑ፡ ልዳት ኣጋጠሙሉ፡ መዓጹኡ ኸአ ኣቕሙሉ፡ መርሐታቱን መሸጎሪታቱን ድማ ገበሩሉ። 4
መሬሞት፡ ወዲ ኡርያ ወዲ ሃቆጽ ከአ ምሳታቶም ኣልጊቡ ኣዐረየ። መሹላም ወዲ በረክያ፡ ወዲ
መሻዛብኤል ድማ ምሳታቶም ኣልጊቡ ኣዐረየ። 5 ተቆዓውያን ከአ ኣልጊቦም ኣዐረዩ። እቶም ክቡራቶም
ግና ክሳዶም ናብቲ ዕዮ ጎይትኦም ኣየበሉን። 6 ዮያዳ ወዲ ጳሴሓን መሹላም ወዲ ቦሳድያን ከአ ነቲ
ኣረጊት ደገ ኣዐረይዎ፡ ልዳውቲ ኣጋጠሙሉ፡ መዓጹኡ ድማ ኣቕሙሉ፡ መርሖታቱን መሸጎሪታቱን ከአ
ገበሩሉ። 7 ምሳታቶም ድማ መላጥያ እቲ ጊብዖናውን ያዶን እቲ መሮኖታውን እቶም ሰብ ጊብዖንን

ሚጽጳን ንመንበር መስፍን ክንየው ርባ ዚግዝኡ፡ ኣልጊቦም ጸገኑ። [8] ዑዚኤል ወዲ ሓርሃያ፡ ኣንጠረኛታት ወርቂ ኸአ ምስኡ፡ ኣልጊቦም ጸገኑ። ቡዙኤል ወዲ ሓርሃያ፡ ኣንጠረኛታት ወርቂ ኸአ ምስኡ፡ ኣልጊቡ ኣዐረየ። ሃናንያ ኻብቶም ገብርቲ ሽቱ ድማ ምስኡ ኣልጊቡ ኣዐረየ። ንዮርሳሌም ክሳዕ እቲ ገፊሕ መካበብያ ትኸኑን ሓደግዋ። [9] ረፋያ ወዲ ሁር፡ ሹም ፍርቂ ግዝኣት የሩሳሌም ድማ ምሳታቶም ኣልጊቡ ጸገነ። [10] የዳያ ወዲ ሓሪማፍ ከኣ ምሳታቶም ኣልጊቡ ኣብ መንጽር ቤቱ ኣዐረየ። ሓጡሽ ወዲ ሓሻብ ኒያ ድማ ምስኡ ኣልጊቡ ኣዐረየ። [11] ማልኪያ ወዲ ሓሪምን ሓሹብ ወዲ ጳሓትሞኣብን ካልእ ክፍልን ነቲ ግምቢ እቶንን ኣዐረዩ። [12] ሻሎም ወዲ ሃሎሔሽ፡ ሹም ፍርቂ ግዝኣት የሩሳሌም፡ ንሱን ኣዋልዱን ከአ ምስኡ ኣልጊቦም ኣዐረዩ። [13] ሓኑንን ኣብ ዛኖኣሕ ዚነብሩን ንደገ እቲ ለሰ ኣዐረይዎ፡ ንሳቶም ንደቕዎ፡ መዓጺኡ ድድማ ኣቖሙሉ፡ መርሖታቱን መሸጎሪታቱን ከአ ገበሩሉ። ናይቲ መካባብያ ኸአ ክሳዕ ደገ እቶ ጎዱፍ ሽሕ እመት ሰርሑ። [14] ማልክያ ወሲ ሬካብ፡ ሓላቓ ግዝኣት ቤት ሃካሬም ከአ ንደገ ጎዱፍ ኣዐየ። ንሱ ነደቖ መዓጹኡን መርሖታቱን መሸጎሪታቱን ከአ ገበሩሉ። [15] ሻሉን ወዲ ኮልሖዜ፡ ሐለቓ ግዝኣት ሚጽጳ ድማ ንደገ ዔላ ኣዐረዮ፡ ንሱ ነደቖ ኸደኖ ኸአ፡ ንመዓጹኡን መርሖታቱን መሸጎሪታቱን ከአ ገበረሉ፡ ድማ መንደቕ እቲ ምስቲ ኣታኽልቲ ንጉስ ዘሎ ሓጽቢ ሽላሕ፡ ክሳዕ እቲ ኻብ ከተማ ዳዊት ዜውርድ መሳልል ሰርሔ። [16] ብድሕሪኡ ነህምያ ወዲ ዓዝቡቅ፡ ሐለቓ ፍርቂ ግዝኣት ቤትጹር፡ ክሳዕ መንጽር መቓብራት ዳዊትን ክሳዕ እቲ ብጥበብ እተሰርሔ ሓጽብን ክሳዕ ቤት እቶም ጀጋኑን ኣዐረየ። [17] ብድሕሪኡ ሌዋውያን፡ ሬሑም ወዲ ባኒ ኣዐረዮ። ምስኡ ሓሸብያ፡ ሓለቓ ፍርቂ ግዝኣት ቀዒላ፡ ኣብ ክንዲ ግዝኣቱ ኣዐረየ። [18] ብድሕሪኡ ኣሕዋቶም፡ ባዋይ ወዲ ሔናዳድ፡ ሓለቓ እታ ኻልኣይቲ ፍርቂ ግዝኣት ቀዒላ ኣዐረዩ። [19] ዔዘር ወዲ የሹዓ፡ ሓለቓ ሚጽጳ ድማ ምስኡ ኣልጊቡ ሓደ ኻልእ ክፍሊ ኣብ መንጽር እቲ ቤት ኣቕሑ ዜደይብ፡ ኣብቲ መአዝን ኣዐረዩ። [20] ብድሕሪኡ ባሩክ ወዲ ዛባይ ካብቲ መአዝን ጀሚሩ ኽሳዕ ደገ ቤት ኤልያሺብ እቲ ሊቀ ኻህናት ተጊሁ ኻልእ ክፍሊ ኣዐረየ። [21] ብድሕሪኡ መሬሞት ወዲ ኡርያ፡ ወዲ ሃቆጽ፡ ካልእ ክፍሊ ኻብ ደገ ቤት ኤልያሺብ ክሳዕ መወዳእታ ቤት ኤልያሺብ ኣዐረየ። [22] ብድሕሪኡ ኸአ እቶም ካህናት፡ እቶም ናይቲ ጎልጎል ሰባት ኣዐረዩ። [23] ብድሕሪኦም ብንያምን ሓሹብን ኣብ መንጽር ቤቶም ኣዐረዩ። ብድሕሪኦም ኣዛርያ፡ ወዲ ማዓሳያ ወዲ ዓንናንያ፡ ኣብ ጥቓ ቤቱ ኣዐረየ። [24] ብድሕሪኡ ቢኑኢ ወዲ ሔናዳድ ካልእ ክፍሊ ኻብ ቤት ኣዛርያ ኽሳዕ እቲ መኣዝንን ክሳዕ ካልእ መኣዝንን ኣዐረየ። [25] ጳላል ወዲ ኡዛይ ኣብ መንጽር እቲ መኣዝንን እቲ ኻብ ላዕላይ ቤት ንጉስ ውጹእ ዘሎ ግምብን ኣብ ጥቓ መካበብያ ቤት ማእሰርቲ ኣዐረየ። ብድሕሪኡ ጳዳያ ወዲ ጳርዖሽ ኣዐረየ። [26] እቶም ነቲኒም ከአ ኣብ ዖፌል ክሳዕ ኣብ መንጽር ማይ ብወገን ምብራቕን፡ ክሳዕ እቲ ውጹእ ዝነበረ ግምብን ይቕመጡ ነበሩ። [27] ብድሕሪኡ እቶም ተቖዓውያን ካልእ ክፍሊ ኣብ መንጽር እቲ ውጹእ ዓብዩ ግምብን ክሳዕ እቲ መንደቕ ዖፌልብ ኣዐረዩ። [28] እቶም ካህናት ነፍሲ ወከፎም ነቲ ኣብ ልዕሊ ደገ ኣፍራስ ዘሎ መመንጽር ቤቶም ኣዐረዩ። [29] ብድሕሪኦም ጻዶቅ ወዲ ኢመር ኣብ መንጽር ቤቱ ኣዐረየ። ብድሕሪኡ ድማ ሸማዕያ ወዲ ሸካንያ፡ ሓላው ደገ ምብራቕ፡ ኣዐረየ። [30] ብድሕሪኡ ሃናንያ ወዲ ሸለምያን ሓኑን ሳዳይ ወጺ ጸላፍን ካልእ ክፍሊ ኣዐረዩ። ብድሕሪኡ መሹላም ወዲ በረክያ ኣብ መንጽር ቤቱ ኣዐረየ። [31] ብድሕሪኡ ማልክያ፡ ወዲ እቲ ኣንጠረኛ ወርቂ፡ ክሳዕ ቤት እቶም ነቲኒምን ቤት እቶም ነጋዶን ኣብ መንጽር ደገ ሃሚፍቃድን ክሳዕ እቲ መደየቢ መአዝን ኣዐረየ። [32] ኣንጠረኛታት ወርቅን ነጋዶን ከአ ነቲ ኣብ መንጎ መደየቢ መአዝንን ኣብ መንጎ ደገ ኣባጊዕን ዘሎ ኣዐረዩ።

## ምዕራፍ 4

[1] ኮነ ድማ፡ ሳንባላጥ፡ ንሕና ነቲ መካበብያ ኸም ዝነደቕናዮ ምስ ሰምዔ፡ ተቖጥዔን ኣዝዩ ኾረየን እሞ
ንኣይሁድ ኣላገጸሎም። [2] ኣብ ቅድሚ ኣሕዋቱን ሰራዊት ሰማርያን ከአ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ እዞም
ድኹማት ኣይሁድ እንታይ ይገብሩ ኣለው፡ ስቕ ኢልናዶ ንሕደጎም፡ ኪስውኡዶ እዮም፡ ብሓደ
መዓልቲዶኸ ይውድእዎ፡ ነቲ ብሓዊ ነዲዱ ትሕቲ ኹምራታት ሓመድ ዘሎ ኣእማን የሕውይዎዶ፡ [3]
ጦብያ እቶ ኣሞናዊ ድማ ኣብ ጥቓኡ ነበረ፡ ንሱ ኸአ፡ እንተ ዚሰርሕዎ እኳ፡ እቲ በእማን ዝነደቕዎ
መካበብያ ሓንቲ ወኻርያ እንተ ደየበቶ፡ ኪፈርስ እዩ፡ በለ። [4] ዎ ኣምላኽና፡ ስማዕ ተናዒቕና ኢና እሞ፡
ልግጫኦም ናብ ርእሶም ምለሰሎም። ንብዝበዛ ናብ ሃገር ማረኽቲ ኣሕሊፍካ ሀቦም። [5] ኣብ ቅድሚ
እቶም ነዳቕ ኣኾርዮምኻ እዮም እሞ፡ ክፍኣቶም ከአ ኣይትሕብኣሎም፡ ሓጢኣቶም ድማ ካብ ቅድሜኻ
ኣይትደምስስ። [6] እምበኣርሲ ነቲ መካበብያ ነደቕናዮ፡ ክሳዕ ፈረቓ ምብራኹ ኸአ ብዘሎ እቲ መካበብያ
ተላገበ። ልቢ እቲ ህዝቢውን ንዕዮ ጽዒቱ ኣሎ። [7] ኮነ ድማ፡ ሳንባላጥን ጦብያን ሰብ ዓረብን
ዓሞናውያንን ኣሽዶዳውያንን ምዕራይ መካበብያ የርሳሌም ከም ዝሰለጠን፡ እቲ ፍራሳታውን ኪዕበስ
ከም ዝጀመረን ምስ ሰምዑ፡ ኣዝዮም ተቖጥዑ። [8] ኩላቶም ሓደ ኾይኖም መጺኦም ንየርሳሌም ኪወግኡን
ኬሸብሩን ተማሓሓሉ። [9] ሽዑ ኣብ ኣምላኽና ጸሌና፡ ካባታቶም ኪሕልውና ኸአ ብመንጽሮም ለይትን
መዓልትን ሓለውቲ ኣቖምና። [10] ይሁዳ ድማ፡ ሓይሊ እቶም ተሰከምቲ ደኸመ፡ እቲ መሬት ከአ ብዙሕ
እዩ፡ ስለዚ ንሕና መካበብያ ኽንዐዪ ኣይንኽእልን ኢና፡ በሉ። [11] እቶም ጸላኣትና ድማ፡ ኣብ ማእከሎም
ክሳዕ እንኣቱ ኣይኪፈልጡን ኣይኪርእዩን እዮም፡ ሽዑ ክንቀትሎም፡ ነቲ ዕዮውም ከነትርፎ ኢና፡ በሉ።
[12] ኮነ ኸአ፡ እቶም ኣብ ጥቓኦም ዚነብሩ ኣይሁድ ምስ መጹ፡ ካብ ኩለን ቦታታት ናባና ተመለሱ፡
ኢሎም ዓሰርተ ሳዕ ተዛረቡና። [13] ስለዚ ኣነ ነቲ ህዝቢ ብድሕሪ መካበብያ፡ በቲ ታሕታይ ቦታ ኣብ ቃልዕ
ስፍራታት በብዓሌታቶም ኣስያፎምን ኩናውቶምን ቀስትታቶምን ሒዞም ደው ኣበልክዎም። [14] ርእየ
ድማ ተንሳእኩ፡ ንኸበርተን ንሹማምትን ነቶም ዝተረፉ ህዝብን፡ ኣብ ቅድሚኦም ኣይትፍርሁ፡ ነቲ
ዓብይን መፍርህን ጐይታ ዘክሩ፡ ስለ ኣሕዋትኩምን ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኣንስትኹምን
ኣባይትኹምን ተዋግኡ፡ በልክዎም። [15] ኮነ ድማ፡ እቶም ጸላእትና እዚ ነገር እዚ ኸም እተፈለጠና፡
ኣምላኽ ከአ ንምኽሮም ከንቱ ኸም ዝገበሮ ምስ ሰምዑ፡ ኩላትና ናብቲ መካበብያ፡ ነፍሲ ወከፍ ድማ
ነናብ ዕዩኡ ተመለስና። [16] ኮነ ኸአ፡ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሮም እቶም ሓሻክረይ ፍርቀም ነቲ ዕዮ
ይዐዩ ነበሩ፡ ፍርቀም ድማ ኩናውትን ዋላቱን ቀስትታትን ድርዕታትን ሐዙ። እቶም ሓላቑ ኸአ ብድሕሪ
ኹላቶም በኢት ይሁዳ ደው ኢሎም ነበሩ። [17] እቶም ኣብ ንመካበብያ ዚነድቑን እቶም ተሰከምትን
መሰከምትን ብሓደ ኢዶም ዕዮ ይዐዩ፡ ብሓደ ኢዶም ከአ ኣጽዋሮም ሒዞም ነበሩ። [18] እቶም ነደቕቲ
ድማ ነፍሲ ወከፍ ሴፉ ኣብ ሕቖኡ ተዐጢቑ ይነድቕ ነበረ። እቲ መለኸት ዚነፍሕ ከአ ኣብ ጥቓይ ነበረ።
[19] ንኽበርተን ንሹማምትን ነቶም ዝተረፉ ህዝብን ድማ፡ እቲ ዕዮ ብዙሕን ገፊሕን እዩ፡ ንሕና ኸአ ነፍሲ
ወከፍ ካብ ሓድሕድና ርሒቕና፡ ኣብ መካበብያ ፋሕ ኢልና ኣሎና፡ [20] ደሃይ መለኸት ኣብ እትሰምዕላ
ቦታ፡ ናብኣ፡ ናብ ጥቓና ተአከቡ፡ ኣምላኽና ምእንታና ኪዋግኣልና ዕዮ፡ በልክዎም። [21] ከምዚ ኢልና
ኣብቲ ዕዮ ንዐዮ ነበርና፡ ፍርቀም ድማ ካብ ወጋሕታ ጀሚሮም ክሳዕ ክዋኽብቲ ዚወጹ፡ ኩናውቲ ሐዙ።
[22] በታ ጊዜ እቲኣ ኸአ ነቶም ህዝቢ፡ ለይቲ ሓለውቲ ኪኾኑና መዓልቲ ድማ ኪዐዩስ፡ ነፍስ ወከፍ መምስ
ጊልያኡ ኣብ ማእከል የርሳሌም ይሕደሩ፡ በልክዎም። [23] ኣነን ኣሕዋተይን ገላዎይን እቶም ዝሰዐቡኒ
ዝሕልው ሰብን፡ ንሕና ኽዳውንትናን ኣየውጻእናን። ነፍሲ ወከፍ ኣጽዋሩ ሒዙ ናብ ማይ ከደ።

# ምዕራፍ 5

1 እቶም ህዝብን ኣንስቶምን ከኣ፡ ኣብቶም ኣሕዋቶም ኣይሁድ ብርቱዕ ጭራሕ ምራሕ ገበሩ። 2
ገሊኦም፡ ንሕናን ኣወዳትናን ኣዋልድናን ብዙሓት ኢና፡ ኣምበኣርሲ ኸንበልዕ እሞ ክንድሕን እኽሊ
ሀቡና፡ ዚብሉ ነበሩ። 3 ገሊኦም ድማ፡ ጠሚና፡ እኽሊ ኸንዕድግሲ ግራሁናን ኣታኽልቲ ወይንናን
ኣትሒዝናስ፡ ይብሉ ነበሩ። 4 ገሊኦም ከኣ፡ ግራሁናን ኣታኽልቲ ወይንናን ኣትሒዝናስ፡ ንግብሪ ንጉስ
ገንዘብ ተለቂሕና፡ 5 ሕጂ ድማ ከምቲ ስጋ ኣሕዋትና ስጋናውን ከምኡ ኢዩ። ደቅና ድማ ከን ደቆም።
ንሕና፡ እንሆ፡ ኣወዳትናን ኣዋልድናን ንባርነት ኣሕሊፍና ንህብ ኣሎና፡ ግናኸ ግራሁናን ኣታኽልቲ ወይ
ንናይ ቀደም ኣብ ኢድ ካልኦት ሓለፉ እዩ እሞ፡ ገለ ኸንገብር ኣይከኣለን፡ በሉ። 6 ኣነ ኸኣ ጭራሕ
ምራሖምን እዚ ዘረባ እዝን ምስ ሰማዕኩ፡ ኣዝዩ ተቘጣዕኩ። 7 ብልበይ መኺረ ድማ፡ ነቶም ከበርተን
ሓላቑን፡ ከመይ ኢልኩም ነፍሲ ወከፍ ነንሓው ብሓረጣ ተለቅሑ ኣለኹም፡ ኢለ ዘለፍክዎም። ናብ
ልዕሊኦም ዓብዩ ኣኼባ ኣኪበ ኸኣ፡ 8 ንሕናስ ነቶም ናብ ኣህዛብ ተሸይጦም ዝነበሩ ኣይሁድ ኣሕዋትና፡
ከም ዓቕምና ተበጀዮምናዮም። ንስኻኹምከ ኣሕዋትኩምሶ ባዕላትኩም ክትሸጡ ኢኹም፡ ንሳቶምሲ
ነፍሶምዶ ኺሸጡልና እዮም፡ በልክዎም። ሽዑ ዘረባ ስኢኖም ስቕ በሉ። 9 ኣነ ኸኣ፡ እዚ እትገብርዎም
ዘሎኹም ነገርስ ጽቡቕ ኣይኮነን። እቶም ጸላእትና ኣሕዛብ ከይትጸርፉስ፡ ከምይ ብፍርሃት ኣምላኽና
ዘይትኸዱ፡ 10 ኣነን ኣሕዋተይን ገላዎይ ድማ ገንዘብን እኽልን ብሓረጣ ኣለቂሕናዮም ኣሎና፡ ግናኸ፡
በጃኻትኩም፡ እዚ ሓረጣ እዚ ንሕደገሎም። 11 ግራሁኦምን ኣታኽልቲ ወይኖምን ኣዋልዖምን ኣባይቶምን
ምለሱሎም፡ ናይ እቲ ንስኻትኩም ካባታቶም ብሓረጣ ዝወሰድኩዎም ገንዘብን እኽልን ወይንን ዘይትን
ከኣ፡ በጃኻትኩም፡ ሎሚ መበል ሚእቲ ምለሰሎም፡ በልክዎም። 12 ንሳቶም ከኣ፡ ንመልስ፡ ካባታቶም
ድማ ገለ እኳ ኣይንደልን፡ ከምቲ ንስኻ ዝበልካዮ ኸምኡ ንገብር፡ በሉ። ሽዑ ነቶም ካህናት ጸዊዔ ኸም
እዘን እተዛረብወን ቃላት ኪገብሩ ኣምሓልክዎም። 13 ኣነ ድማ፡ ነዚ ተስፋ እዚ ዘይፍጽም ኩሉ ሰብሲ
ኣምላኽ ካብ ቤቱን ካብ ገንዘቡን ከምኡ ይንገፎ፡ እዎ፡ ከምኡ ንጉፍን ጥራዩን ይኹን፡ ኢለ ኣብ ጎድነይ
ዝነበረ ባርኖስ ነገፍኩ። ኩሉ እቲ ኣኼባ ኸኣ፡ ኣሜን፡ በለ። ንእግዚኣብሄር ድማ ኣመስገኑ። እዚ ህዝቢ
ኸኣ ከም እዚ ዘረባ እዚ ገበረ። 14 ድማ ካብታ ኣብ ሃገር ይሁዳ ሹሞም ክኸውን እተኣዘዝኩላ መዓልቲ፡
ንንጉስ ኣርታሕሻስታ ኻብ መበል ዕስራ ዓመቱ ኽሳዕ መበል ሰላሳን ክልተን ዓመቱ፡ ዓሰርተው ክልተ
ዓመት፡ ኣነን ኣሕዋተይን እቲ ንሹማምቲ ዚግባእ እንጊራ ኣይበላዕናን። 15 እቶም ቅድመይ ዝነበሩ
ሹማምቲ ነቲ ህዝቢ የኽብዱሉ ነበሩ። ካባታቶም እንጌራን ወይንን ደሓር ከኣ ኣርብዓ ሚትቃል ብሩር
ይወስዱ ነብሩ። እቶም ገላውኦም ድማ ኣብ ልዕሊ እቲ ህዝቢ ሰልጢኖም ነበሩ። ኣነ ግና፡ ንእግዚኣብሄር
ስለ ዝፈራህኩ፡ ከምኡ ኣይገበርኩን። 16 ኣብቲ ዕዮ እቲ መካበብያ ኸኣ ሌዔሪ ነበርኩ። ግራትውን
ኣይተሻየጥናን እሞ ኩሎም እቶም ገላዎይ ድማ ኣብኡ ኣብቲ ዕዮ ተኣኪቦም ነበሩ። 17 ብዘይ እቶም
ካብቲ ኸባቢና ዝመጹና ኣህዛብ፡ ካብ ኣይሁድን ሓላቑን ሚእትን ሓምሳን ሰብ ኣብ መኣሰይ ይምገቡ
ነበሩ። 18 ንሓንቲ መዓልቲ ዚዳሎ ድማ ሓደ ብዕራይን ሹድሽተ ስቡሓት ኣባጊዕን እዩ፡ ንኣይ ከኣ ካብ
ኣዕዋፍ ይዳለውለይ ነበረ፡ በብዓሰርተ መዓልቲ ድማ ኣዝዩ ብዙሕ ወይኒ ነበረ። ምስናይ እዚ ግና ነዚ
ህዝቢ እዚ እቲ ዕዮ ኺቢድዎ ነበረ እሞ፡ እቲ ንሽመተይ እተገብኣኒ ምግቢ እኳ ሀቡኒ ኣይበልኩን። 19
ዎ ኣምላኸይ፡ እዚ ኹሉ ነዚ ህዝቢ እዚ ዝገበርክዎ፡ ንጽቡቕ ሕሰበለይ።

## ምዕራፍ 6

1 ኮነ ኸኣ፡ ሳንባላጥን ጦብያን ገሸም እቲ ዓረባውን እቶም ዝተረፉ ጸላእትናን ነቲ መካበብያ ኸም

ዝነደቕክዎ፡ ካብቲ ፍሩስ ዝነበረ ኸአ ገለ ኸም ዘይተረፈ ምስ ሰምዑ፡ ክሳዕ እታ ጊዜ እቲኣ ግና መዓጹ
ኣብቲ ደጊታት ኣይተኸልኩን ነበርኩ። 2 ሳንባላጥን ገሸምን ከአ፡ ንሳቶም ክፉእ ኪገብሩኒ ሓሲቦም ነበሩ
እሞ፡ ንዓ፡ ኣብ ጎልጎል ኦኖ ኣብ ዘለዋ ዓድታት ንራኸብ፡ ኢሎም ለኣኹለይ። 3 ኣነ ድማ፡ ኣነስ ዓብዩ ዕዩ
እዐዩ ኣለኹ እሞ ክወርድ ኣይክእለንን፡ ሰለምንታይ፡ ነቲ ዕዮ ሓዲገ ናባኻትኩም እንተ ወረድኩ፡ ንሱ
ኺበኩር እዩ፡ ኢለ ለኣኽኩሎም። 4 እዚ ነገር እዚ ድማ ኣርባዕተ ሳዕ ለኣኹለይ። ኣነ ኸአ ንኣታቶም
ከምዛ ዘረባ እዚኣ ገይረ መለስኩሎም። 5 ሽዑ ሳንባላጥ ከምዛ ነገር እዚኣ ኽፍትቲ ደብዳበ ኣብ ኢዱ
ኣትሒዙ፡ ሓምሳይ ጊዜ ጊልያኡ ለኣኸለይ። 6 ኣብኡ ኸምዚ ዚብል እተጻሕፈ ነበረ፡ ንስኻን ኣይሁድን
ክትሽፍቱ ትሓስቡ ኸም ዘለኹም፡ እዚ ዘረባ እዚ ኣብ ኣህዛብ ተሰሚዑ ኣሎ፡ ጋሽሙ ኸአ ይብሎ ኣሎ።
ምእንቲ እዚ ድማ መከባብያ ከም ዝደሌኻውን፡ ይብሀል ኣሎ። 7 ድማ ኣብ ዮርሳሌም ብዛዕባኻ፡ ኣብ
ይሁዳ ንጉስ ኣሎ፡ ኢሎም ዚእውጁ ነብያት ኣቕምካ። ሕጂ ድማ እዚ ነገር እዚ ኣብ ንጉስ ኪስማዕ እዩ
እሞ፡ ሕጂ ንዓ፡ ብሓንሳእ ኺንና ንማኻኽር። 8 ሽዑ ኣነ፡ ካብ ልብኻ ዘንቃሕካዮ እዩ እምበር፡ እዚ ንገር
እዚ ኸምዚ ንስኻ እትዛረቦ ኣይኮነን፡ ኢለ ለኣኽኩሉ። 9 ከመይሲ እቲ ዕዮ ከይዕየ ኣእዳዎም ኪድኽማ
እየን እሞ፡ ነቲ ዕዮ ኺሐድግዎ እዮም፡ እናበሉ ኹላቶም ኬስምብዱና ደልዮም እዮም። ሕጂ ኸአ፡ ዎ
ኣምላኽ፡ ንስኻ ኣእዳወይ ኣጽንዕ። 10 ኣነ ኸአ ናብ ቤት ሻማዕያ፡ ወዲ ደለያ ወዲ መሄጣብኤ፡ ኣቶኹ።
ንሱ ድማ ተዓጽዩ ነበረ እሞ፡ ናብ ቤት ኣምላኽ ናብ ውሽጢ መቕደስ ብሓደ ንራኸብ፡ ኪቕትሉኻ
ኺመጹ እዮም፡ እወ፡ ብለይቲ ኪቕትሉኻ ኺመጹ እዮም እሞ፡ ደገ ቤት መቕደስ ንዕጸዎ፡ በለኒ። 11 ኣነ
ኸአ ከማይ ዝበለ ሰብኣይዶ ይሀድም፡ ከማይ ዝበለስ ምእንቲ ኺድሕን ኢሉ፡ ናብ መቕደስ ዚአቱ መን
እዩ፡ ኣነስ ኣይአቱን፡ በልኩ። 12-13 ጦብያን ሳንባላጥን ደአ ንሱ ኼፍርሃኒ እሞ ፈርሄ ሓጢኣት ክገብርን፡
ንኣይ ክፉእ ኬውርዩለይን ኬላግጹለይን ኢሎም ዋጋ ሂቦምዎ፡ ብገንዘብ ሐቢሎምዎ፡ ይንበየለይ ኣሎ
እምበር፡ ኣምላኽ ከም ዘይለአኾ ኣስተውዐልኩ። 14 ዎ ኣምላኸይ፡ ንጦብያን ንሳንባላጥን ንኖኣድያ
ነብዩትን ነቶም ዝተረፉ ዚፋራርሁኒ ነብያትን ብዛዕባ እዚ ግብሮም እዚ ዘክሮም። 15 እቲ መካባብያ ኻብ
ወርሒ ኤሉል በመበል ዕስራን ሓሙሽተን መዓልቲ፡ ብሓምሳን ክልተን መዓልቲ፡ ተፈጸመ። 16 ኮነ ኸአ፡
ኩሎም ጸላእትና ምስ ሰምዕዎ፡ ኣብ ዙርያና ዚነብሩ ኹሎም ህዝብታት ፈርሁ፡ እዚ ዕዮ እዚ ብሓገዝ
ኣምላኽና ኸም እተፈጸመ ፈለጡ እሞ፡ ኣብ ኣዒንቶም ሕሊናኦም ዐረቦም። 17 በተን መዓልትታት እቲኤን
እቶም ከበርቲ ይሁዳ ብዙሕ ደብዳቤታት ናብ ጦብያ ሰደዱ፡ ካብ ጦብያ ድማ ናባታቶም ይመጽእ
ነበረ። 18 ከመይሲ ጦብያ ምስ ሽካንያ ወዲ ኣራህ ሕምነት ነበሮ፡ ዮሓናን ወዱ ኸአ ጓል መሹላም ወዲ
በራኪያ ኣእትዩ ነበረ እሞ፡ ካብ ሰብ ይሁዳ ብዙሓት ምስኡ ኾይኖም ተማሓሒሎም ነበሩ።ብሕያውነቱ
ኣብ ቅድመይ ይንእድዎ ነበሩ፡ ዘረባይ ከአ ይነግርዎ ነበሩ። ጦብያ ድማ ኬፈራርሃኒ ኢሉ፡ ደብዳቤታት
ሰደደ።

## ምዕራፍ 7

1 ኮነ ኸአ፡ እቲ መከባብያ ምስ ተነድቀ፡ መዓጹ ኣቕምኩሉ፡ ሐለውቲ ደገን ዘመርትን ሌዋውያንን ድማ
ኣብ ዔዕዮኦም ተመዘዙ። 2 ንሃናኒ ሓወይን ንሃናንያ እቲ ኣብ ግምቢ ሓለቓ ዝነበረን፡ ንሱ ኻብ ካልኣት
ሰባት ዝበለጸ እሙንን ፈራሀ ኣምላኽን ነበረ እሞ፡ ኣሕሉቕ ዮርሳሌም ገበርክዎም። 3 ንኣታቶም ድማ፡
ጸሓይ ክሳዕ ዚመሙቕ፡ ደጌታት ዮርሳሌም ኣይርሐ፡ እቲ ደጌታት ከአ ገና እቶም ሐለውቲ ደው ኢሎም
ከለው፡ ኪዕጸን ኪሸጎርን፡ ነቶም ህዝቢ ዮርሳሌም ድማ ነፍሲ ወከፍ በብታራኡ፡ ነፍሲ ወከፍ ከአ

ቀቅድሚ ቤቱ ይሐሉ። በልክዎም። [4] እታ ኸተማ ኸአ ገፋሕን ዓባይን ነበረት። እቶም ኣብ ማኣከላ
ዚነብሩ ዝህዝቢ ግና ሒዶት ነበሩ፡ እተን ኣባይቲ ድማ ኣይተሰርሓን ነበራ። [5] ነቶም ከበርተን
ንሹማምትን ንህዝብን ኣብ መጽሓፍ ወለዶ ኺጸሓፉ፡ ክእከቦም ድማ፡ ኣምላኸይ ኣብ ልበይ ሀበኒ።
ናይቶም ቅድም ዝደየቡ ኸአ እቲ መጽሓፍ ወለዶታት ረኸብክዎ። ኣብኡ ኸአ ከምዚ ዚብል ጽሑፍ
ረኸብኩ። [6] እቶም ደቂ ሃገር ነቡክነጻር ንጉስ ባቢሎን ማሪኺዎም ዝነበረ እሞ፡ ካብ ምርኮ ደይቦም ናብ
ዮርሳሌምን ናብ ይሁዳን፡ ነፍስ ወከፍ ነናብ ከተማኡ እተመልሱ፡ እዚኣቶም እዮም፡ [7] እቶም ምስ
ዙሩባቤል ዝመጹ፡ እያሱ፡ ነህምያ፡ ዓዛርያ፡ ራዓምያ፡ ናሓማኒ፡ ሞርዶካይ፡ ቢልሻን፡ ሚስጽረት፡
ቢግዋይ፡ ነሑም፡ ባዓና። ቁጽሪ ሰብ ህዝቢ እስራኤል እዚ እዩ፡ [8] ደቂ ፋርዖሽ ክልተ ሽሕን ሚእትን
ሰብዓን ክልተን። [9] ደቂ ሸፋጥያ ሰለስተ ሚእትን ሰብዓን ክልተን። [10] ደቂ ኣራሕ ሹዱሽተ ሚእትን
ሓምሳን ክልተ። [11] ደቂ ፋሓትሞኣብ ካብ ደቂ እያሱን ዮኣብን ክልተ ሽሕን ሾሞንተ ሚእትን ዓሰርተው
ሾሞንተን። [12] ደቂ ዔላም ሽሕን ክልተ ሚእትን ሓምሳን ኣርባዕተን። [13] ደቂ ዛቱ ሾሞንተ ሚእትን
ኣርብዓን ሓሙሽተን። [14] ደቂ ዛካይ ሾብዓተ ሚእትን ስሳን። [15] ደቂ ቢኑኢ ሹድሽተ ሚእትን ኣርብዓን
ሾሞንተን። [16] ደቂ ቤባይ ሹድሽተ ሚእትን ዕስራን ሾሞንተን። [17] ደቂ ዓዝጋድ ክልተ ሽሕን ሰለስተ
ሚእትን ዕስራን ክልተን። [18] ደቂ ኣዶኒቃም ሹድሽተ ሚእትን ስሳን ሾብዓተን። [19] ደቂ ቢግዋይ ክልተ
ሽሕን ስሳን ሾብዓተን። [20] ደቂ ዓዲን ሹድሽተ ሚእትን ሓምሳን ሓሙሽተን። [21] ደቂ ኣጤር፡ ካብ ዓሌት
ህዝቅያስ፡ ተስዓን ሾሞንተን። [22] ደቂ ሓሹም ሰለስተ ሚእትን ዕስራን ሾሞንተ። [23] ደቂ ቤጻይ ሰለስተ
ሚእትን ዕስራን ኣርባዕተን። [24] ደቂ ሓሪፍ ሚእትን ዓሰርተው ክልተን። [25] ደቂ ጊብዖን ተስዓን
ሓሙሽተን። [26] ሰብ ቤትልሄምን ነጦፋን ሚእትን ሰማንያን ሾሞንተን። [27] ሰብ ዓናቶት ሚእትን ዕስራን
ሾሞንተን። [28] ሰብ ቤትዓዝማዌት ኣርብዓን ክልተን። [29] ሰብ ቂርያትይዓሪምን ከፊራን ብኤሮትን ሾብዓተ
ሚእትን ኣርብዓን ሰለስተን። [30] ሰብ ራማህን ጌባዕን ሹድሽተ ሚእትን ዕስራን ሓደን። [31] ሰብ ሚኽማሽ
ሚእትን ዕስራን ክልተን። [32] ሰብ ቤትኤልን ዓይን ሚእትን ዕስራን ሰለሰተን። [33] ደቂ ኻልአይቲ ኔቦ
ሓምሳን ክልተን። [34] ደቂ ኻልኣይቲ ዔላም ሽሕን ክልተ ሚእትን ሓምሳን ኣርባዕተን። [35] ደቂ ሓሪም
ሰለስተ ሚእትን ዕስራን። [36] ደቂ ያሪኮ ሰለስተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን። [37] ደቂ ሎድን ሓዲድን
ኣኖን ሾብዓተ ሚእትን ዕስራን ሓደን። [38] ደቂ ሰናእህ ሰለስተ ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ሰላሳን። [39] ካህናት
ድማ፡ ደቂ የዳዕያ ኻብ ቤት እያሱ ትሽዓተ ሚእትን ሰብዓን ሰለስተን። [40] ደቂ ኢመር ሽሕን ሓምሳን
ክልተን። [41] ደቂ ፈሽሑር ሽሕን ክልተ ሚእትን ኣርብዓን ሾብዓተን። [42] ደቂ ሓሪም ሽሕን ዓሰርተው
ሾብዓተን። [43] ሌዋውያን፡ ደቂ እያሱ፡ ካብ ቃድሚኤል፡ ካብ ደቂ ሆዴዋ፡ ሰብዓን ኣርባዕተን። [44]
ዘመርቲ፡ ደቂ ኣሳፍ ሚእትን ኣርብዓን ሾሞንተን። [45] ሓለውቲ ደገ፡ ደቂ ሻሉም፡ ደቂ ኣጤር፡ ደኢቅ
ጣልሞን፡ ደቂ ዓቁብ፡ ደቂ ሓጢጣ፡ ደቂ ሾባይ ሚእትን ሰላሳን ሾሞንተን። [46] ነቲኒም፡ ደቂ ጺሓ፡ ደቂ
ሓሱፋ፡ ደቂ ጣባዖት፡ [47] ደቂ ቂሮስ፡ ደቂ ሲዓ፡ ደቂ ፋዶን፡ [48] ደቂ ሊባና፡ ደቂ ሓጋባ፡ ደቂ ሻልማይ፡ [49]
ደቂ ሓናን፡ ደቂ ጊደል፡ ደቂ ጋሓር፡ [50] ደቂ ረኣያ፡ ደቂ ረጺን፡ ደቂ ነቆዳ፡ [51] ደቂ ጋዛም፡ ደቂ ዑዛ፡ ደቂ
ፋሴሓ፡ [52] ደቂ ቤሳይ፡ ደቂ መዑኒም፡ ደቂ ነፊሽሲም፡ [53] ደቂ ባቅቡቅ፡ ደቂ ሓቁፋ፡ ደቂ ሓርሑር፡ [54] ደቂ
ባጽሊት፡ ደቂ መሒዳ፡ ደቂ ሓርሻ፡ [55] ድቂ ባርቆስ፡ ደቂ ሲሰራ፡ ደቂ ታማሕ፡ [56] ደቂ ነጺሓ፡ ደቂ
ሓጢፋ፡ [57] ደቂ ገላው ሰሎሙን፡ ደቂ ሰጣይ፡ ደቂ ሶፌሬት፡ ደቂ ጰሪዳ፡ [58] ደቂ ያዓላ፡ ደቂ ዳርቆን፡ ደቂ
ጊደል፡ [59] ደቂ ሽፋጥያ፡ ደቂ ሓጢል፡ ደቂ ፎክሬትሓጸባይም፡ ደቂ ኣሞን። [60] ኩላቶም ነቲኒምን ደቂ
ገላው ሰሎሞንን ሰለስተ ሚእትን ተስዓን ክልተን እዮም። [61] እቶም ካብ ቴልመላሕን ካብ ቴልሓርሻን
ካብ ክሩብኣዶንን ካብ ኢመርን ዝደየቡ ድማ እዚኣቶም እዮም። ግናኸ ንሳቶም ማይ ቤት ኣቦታቶምን

ዘርኦምን ካብ እስራኤል ምዃኖም ኬፍልጡ ኣይከአሉን፡ 62 ደቂ ደለያ፡ ደቂ ጦብያ፡ ደቂ ነቆዳ፡ ሽዱሽተ
ሚእትን ኣርብዓን ክልተን። 63 ካብ ካህናት ከኣ፡ ደቂ ሓባያ፡ ደቂ ሃቆጽ፡ ደቂ ባርዚለይ፡ እቲ ኻብ
ኣዋልድ ባርዚለይ ጊልዓዳዊ ሰበይቲ ዝወሰደ እሞ ብስሞም እተሰምየ እዩ፡ 64 እዚኣቶም መጽሓፍ
ወለዶኦም ደለዩ፡ ግናኸ ኣይተረኽበን፡ ስለዚ ኻብ ክህነት ተኸልከሉ። 65 እቲ ቲርሻታ ከኣ ብኡሪምን
ቱሚምን ካህን ክሳዕ ዚሸየም፡ ካብ ቅድስተ ቅዱሳን ኣይትብልዑ፡ በሎም። 66 ኲሉ እቲ ማሕበር ብኣካቡ
ኣርብዓን ክልተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ስሳን ነበረ። 67 ብዘይ ገላውኦምን ኣግራዶምን፡ እዚኣቶም
ሾብዓተ ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሾብዓተን እዮም። ዚዝምሩን ዚዝምራን ድማ ክልተ ሚእትን
ኣርብዓን ሓሙሽተን ነበርዎም። 68 ኣፍራሶም ሾብዓተ ሚእትን ሰላሳን ሹዱሽተን፡ ኣባቕሎም ክልተ
ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን፡ 69 ኣግማል ኣርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ሓሙሽተን፡ ኣእዱግ ሽዱሽተ ሽሕን
ሾብዓተ ሚእትን ዕስራን ነበርዎም። 70 ገለ ኻብቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ነቲ ዕዮ ህያብ ሀቡ። እቲ
ቲርሻታ ነቲ መዝገብ ሽሕ ዳሪክ ወርቂ፡ ሓምሳ ጽዋእ፡ ሓሙሽተ ሚእትን ሰላሳን ክዳን ካህናት ሀበ። 71
ገለ ኻብቶም ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ድማ ንመዝገብ እቲ ዕዮ ዕስራ ሽሕ ዳሪክ ወርቅን ክልተ ሽሕን
ዳታለንት ብሩርን ሀቡ። 72 እቶም ዝተረፉ ህዝቢ ዝወፈይዎ ኸኣ ዕስራ ሽሕን ዳሪክ ወርቅን ክልተ ሽሕ
ታለንት ብሩርን ስሳን ሾብዓተን ክዳን ካህናትን እዩ። 73 ካህናትን ሌዋውያንን ሓለውቲ ደጌታትን
ዘመርትን ገሊኡ ህዝብን ነቲኒምን ኲላቶም እስራኤልን ኣብ ከተማታቶም ተቐመጡ። እታ ሳብዐይቲ
ወርሒ ምስ በጽሔት ድማ፡ ደቂ እስራኤል ኣብ ከከተማኦም ነበሩ።

## ምዕራፍ 8

1 እቶም ህዝቢ ዅላቶም ከአ ከም ሓደ ሰብ ኮይኖም፡ ኣብ ቅድሚ ደገ ማይ ኣብ ዘላ ገፋሕ ቦታ
ተአከቡ። ንእዝራ እቲ ጸሓፊ ድማ እቲ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ዝአዘዞ መጽሓፍ ሕጊ ሙሴ
ኺምጽአሎም ተዛረብዎ። 2 ብሳብዐይቲ ወርሒ፡ ብቐዳመይቲ መዓልቲ ኸአ እዝራ እቲ ኻህን ናብ ቅድሚ
እታ ማሕበር ሰብኡትን ኣንስትን ኪሰምዑ ምስትውዓል ዘለዎም ኲላቶምን ነቲ ሕጊ ኣምጽኦ። 3 ካብ
ዚበርህ ጀሚሩ ኽሳዕ ፍርቂ መዓልቲ፡ ኣብ ቅድሚ እታ ኣብ ቅድሚ ደገ ማይ ዘላ ገፋሕ ቦታ ኾይኑ፡
ኣብ ቅድሚ ሰብኡትን ኣንስትን ኬስተውዕሉ ዚኽእሉ ዅላቶምን ኮይኑ ኣንበቦ። ኣእዛን ኲሉ እቲ ህዝቢ
ድማ ንመጽሓፍ ሕጊ ኺሰምዕ ጽን ይብል ነበረ። 4 እዝራ እቲ አሓፊ ኸአ ኣብ ልዕሊ እቲ ነዚ ነገር
እተሰርሔ ጸፍጻፍ ዕጨይቲ ደው ኢሉ ነበረ። ኣብ ጥቓኡ ብየማኑ ድማ ማቲትየን ሽማዕን ዓናያን ኡርያን
ሒልቂያን ማዓሰያን፡ ኣብ ጸጋሙ ኸአ ጰዳያን ሚሻኤልን ማልኪያን ሓሹምን ሓሽባዳናን ዘካርያን
መሹላምን ደው ኢሎም ነበሩ። 5 እዝራ ድማ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ህዝቢ ኾይኑ አነበረ እሞ፡ ኣብ ቅድሚ
ዅሉ እቲ ህዝቢ ነቲ መጽሓፍ ገንጸሎ። ምስ ገንጸሎ ኸአ፡ ኲሉ እቲ ህዝቢ ደው በለ። 6 እዝራ ድማ
ንእግዚኣብሄር፡ ነቲ ዓብዩ ኣምላኽ ባረኾ። ኲሎም ህዝቢ ኸአ ኣእዳዎም ኣልዒሎም፡ ኣሜን፡ ኣሜን፡
ኢሎም መለሱ። ተጎንቢሶም ድማ ብገጾም ኣብ ምድሪ ተደፊኦም ንእግዚኣብሄር ሰገዱሉ። 7 ድማ እያሱን
ባኒን ሸረብያን ያሚን፡ ዓቁብ፡ ሻብታይ፡ ሖዲያ፡ ማዓሰያ፡ ቀሊጣ፡ ዓዛርያ፡ ዮዛባድ፡ ሓናን፡ ጵላያ፡
ሌዋውያን ነቲ ህዝቢ ሕጊ ይምህርዎ ነበሩ። እቶም ህዝቢ ድማ ኣብ ቦታኦም ደዊ ኢሎም ነበሩ። 8 ነቲ
መጽሓፍ ሕጊ ኣምላኽ ብግልጺ ኣንበበሎም፡ እቶም ህዝቢ ነቲ እተነበ ምእንቲ ኬስተውዕልዎ ድማ፡
ገለጸሎም። 9 ኲሎም እቶም ህዝቢ ቓል ሕጊ ኺሰምዑ ኸለው። ይበኽዩ ነበሩ እሞ፡ ነህምያ እቲ
ትርሻታን እዝራ እቲ ኻህንን ጸሓፍን፡ እቶም ህዝቢ ዜስተምህሩ ዝነበሩ ሌዋውያንን ንዅሉ እቲ ህብዚ፡

እዛ መዓልቲ እዚኣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ተቐዲሳ እያ እሞ፡ ኣይትሕዘኑን ኣይትብከዩን በልዎም።
10 ንሱ ኸኣ ኪዱ ዝሰብሔ ብልዑ፡ ዝጠዐመ ድማ ስተዩ፡ ነቶም ዜብሎም ከኣ ግዲኦም ስደድሎም። እዛ
መዓልቲ እዚኣ ንጐይታና እተቐደሰት እያ እሞ፡ ሓጎስ እግዚኣብሄር ሓይልኹም እዩ እሞ፡ ኣይትጕሀዩ፡
በሎም። 11 እቶም ሌዋውያን ከኣ ንኹሎም እቶም ህዝቢ፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ ቅድስቲ እያ እሞ፡ ስቕ
በሉ፡ ኣይትጕሀዩ፡ ኢሎም ኣህድእዎም። 12 ኩሎም እቶም ህዝቢ ድማ ዝነገርዎም ቃል ኣስተውዒሎም
እዮም እሞ፡ ኪበልዑን ኪሰትዩን ግዴታን ከኣ ኪሰዱን ዓብዩ ሓጎስን ኪሕጎሱ ኸዱ። 13 እታ ኻልኣይቲ
መዓልቲ ዋናታት ማይ ቤት ኣቦታት ናይቲ ኹሉ ህዝብን ካህናትን ሌዋውያንን ቃላት እቲ ሕጊ
ኺምርምሩ ናብ እዝራ ጸሓፊ ተኣከቡ። 14-15 ብበዓል እታ ሳብዐይቲ ወርሒ ኸኣ ደቂ እስራኤል ካብ ዳስ
ኪቕመጡ፡ ናብ ኩለን ከተማታቶምን ናብ የርሳሌምን ከኣ፡ ናብ ከረን ውጹ እሞ፡ ከምቲ ጽሑፍ ዝበሎ፡
ንምስራሕ ዳስ ጨናፍር ኣውልዕ ዘይትን ፀናፍር ኦም ኣውልዕ መሮርን ጨናፍር ጸጸን ጨናፍር ስየን
ጨናፍር ደስዳስ ኣእዋምን ኣምጽኡ ኢሎም ኪሰምዑን ኪእውጅይን፡ እግዚእብሄር ብሙሴ ኸም
ዝኣዘዞም፡ ኣብቲ ሕጊ ተጽሒፉ ረኸቡ። 16 ሽዑ እቶም ህዝቢ መጺኦም ኣምጽኡ፡ ነፍስ ወከፍ ኣብ
ለልዕሊ ናሕሱን ኣብ መካበብያቶምን ኣብ ኣጸዳት ቤት ኣምላኽን ኣብታ ገፋሕ ቦታ ደገ ማይን ኣብታ
ገፋሕ ቦታ ደገ ኤፍሬምን ዳስ ሰርሑ። 17 ብዘላ እታ ማሕበር ናይቶም ካብ ምርኮ እተመልሱ ኹላቶም
ከኣ ዳስ ሰሪሖም፡ ኣብ ዳስ ተቐመጡ። ደቂ እስራኤልሲ ካብ ዘመን እያሱ ወዲ ነዌ ጀሚሮም ክሳዕ እዛ
መዓልቲ እዚኣ ኸምኡ ኣይገበሩን እሞ፡ ኣዝዩ ዓብዩ ሓጎስ ኮነ። 18 ካብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ጀሚሩ
ኽሳዕ እታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ድማ መመዓልቲ ነቲ መጽሓፍ ሕጊ ኣምላኽ ኣንበቦ። ሾብዓተ መዓልቲ
በዓል ኣብዐሉ፡ በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ከምቲ ሕጊ ቅዱስ ኣኼባ ኾነ።

## ምዕራፍ 9

1 ኣብዛ ወርሒ እዚኣ ኣብ መበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ፡ ደቂ እስራኤል ከሊ ተኸዲኖም፡ ሓምድ
ኣብ ርእሶም ነስኒሶም ብጾም ተኣከቡ። 2 ዘርኢ እስራኤል ካብ ኩሎም ደቂ ጓኖት ተፈልዩ። ደው ኢሎም
ከኣ ብሓጢኣቶምን ብበደል ኣቦታቶምን ተናዘዙ። 3 ኣብታ ስፍራኣኦም ኮፐይኖም ደው ኢሎም፡ ራብዓይ
ክፍሊ መዓልቲ መጽሓፍ ሕጊ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣንበቡ፡ ራብዓይ ክፍሊ መዓልቲ ድማ ተናዘዙ፡
ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም ከኣ ሰገዱሉ። 4 እያሱ፡ ባኒ፡ ቃድሚኤል፡ ሸባንያ፡ ቡኒ፡ ሸረብያ፡ ባኒ፡ ከናኒ
ኾይኖም ከኣ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ጸፍጸፍ ሌዋውያን ደው በሉ፡ ብብርቱዕ ቃል ድማ ኣብ እግዚኣብሄር
ኣምላኾም ጨርሑ። 5 እቶም ሌዋውያን ከኣ፡ እያሱ፡ ቃድሚኤል፡ ባኒ፡ ሓሻብንያ፡ ሸረብያ፡ ሆዲያ፡
ሸባንያ፡ ፈታሕያ ኾይኖም፡ ከምዚ በሉ፡ ተንሲኡ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ካብ ዘለኣለም ክሳዕ
ዘለኣለም ባርኹ። እቲ ኣብ ልዕሊ ኹሉ በረኸትን ምስጋናን ክብ ዝበለ ኽቡር ስምካ ይባረኽ። 6 ንስኻ፡
እወ ንስኻ በይንኻ ኢኻ እግዚኣብሄር ሰማይን ሰማየ ሰማያትን ኩሉ ሰራዊቱን፡ ምድርን ኣብ ልዕሊኣ ዘሎ
ኹሉን፡ ባሕርን ኣብኡ ዘሎ ኹሉን ፈጢርካዮ፡ ነዚ ኹሉ ብህይወት እተንብሮ ኸኣ ንስኻ ኢኻ። ሰራዊት
ሰማይ ድማ ይሰግዱልካ። 7 ኣታ ንኣብራም ዝሓረኻ፡ ካብ ኡር ሃገር ከለዳውያን ኣውጺእካ፡ ስሙ ድማ
ኣብርሃም ዝሰሜኻዮ፡ ንስኻ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኢኻ። 8 ልቡን ኣብ ቅድሜኻ እሙን ኮይኑ
ረኺብካዮ፡ ድማ ምድሪ ከነኣናውያን፡ ሔታውያን፡ ኣሞራውያን፡ ፈረዛውያንን ይቡሳውያንን
ጌርጌሳውያንን ንዘርኡ ኽትህቦ፡ ምስኡ ኺዳን ኣቶኻ። ንስኻ ጻድቕ ስለ ዝኾንካ ኸኣ፡ ነቲ ቓልካ
ኣቕምካዮ። 9 ኣብ ግብጺ ድማ ጸበባ ኣቦታትና ርኤኻ፡ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ኸኣ ኣውያቶም ሰማዕካ። 10

ኣብ ፈርኦንን ኣብ ኩሎም ገላውኡን ኣብ ኩሉ ህዝቢ ሃገሩን ትእምርትን ትኣምራትን ገበርካ። ንሳቶም
ከም ዝገፍዕዎምሲ ፈሊጥካ ነበርካ እሞ፡ ከምዚ ናይ ሎሚ ንኣኻ ስም ኣስሜኻ። 11 ነቲ ባሕሪ ድማ ኣብ
ቅድሜኦም መቐልካዮ፡ ብማእከል ባሕሪ ኸአ ብንቑጽ ሓለፉ። ነቶም ዚስዕብዎም ግና ከም እምኒ ኣብ
ብዙሕ ማይ ኣብቲ መዓሙቕ ደርቤኻዮም። 12 ኣብቲ ዚኸድዎ መገዲ ምእንቲ ኼብርሃሎም፡ መዓልቲ
ብዓንዲ ደበና፡ ለይቲ ድማ ብዓንዲ ሓዊ መራሕካዮም። 13 ናብ ልዕሊ ኸረን ሲና ኸአ ወረድካ፡ ካብ
ሰማይ ድማ ተዛረብካዮም። ቅኑዕ ፍርድታትን ሓቀኛ ሕጋጋትን ጽቡቕ ሕጋጋትን ትእዛዛትን ከአ
ሀብካዮም። 14 እታ ቅድስቲ ሰንበትካ ድማ ኣፍለጥካዮም፡ ትእዛዛትን ስርዓታትን ሕግን ከአ ብኢድ
ባርያኻ ሙሴ ኣዘዝካዮም። 15 ንጥሜቶም ድማ ካብ ሰማይ እንጌራ ሀብካዮም፡ ንጽምኣቶምውን ካብ
ከውሒ ማይ ኣውጻእካሎም። እታ ንኣታቶም ክትህቦም ኢድካ ዝዘርጋሕካላ ምድሪ ምእንቲ ኺወርስዋ
ድማ ናብኣ ኺኣትው ተዛረብካዮም። 16 ንሳቶምን ኣቦታትናን ግና ተዐበዩ፡ ክሳዶም ድማ ኣትረሩ፡
ንትእዛዛትካውን ኣይሰምዑን። 17 ምስማዕ ኣበዩ፡ እቲ ዝገበርካሎም ተኣምራት ከአ ኣይዘከሩን፡
ክሳውዶም ደአ ኣትረሩ፡ ብልዕውቶም ናብታ ባርነቶም ኪምለሱ፡ ሓላቒ ሸሙ። ንስኻ ግና ኣምላኽ
ይቕሬታን ሰናይን መሐርን ኢኻ፡ ንኹራ ደንጓዪ፡ ብዓል ብዙሕ ምሕረት ኢኻ እሞ፡ ኣይሓደግካዮምን።
18 ፍሰሲ ብተይ ገይሮምሲ፡ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእካ ኣምላኽካ እዚ እዩ፡ ምስ በሉ፡ ኣዝዮም
ኣኾረዩኻ። 19 ንስኻ ግና ብብዝሒ ምሕረትካ ኣብ በረኻ ኣይሓደግካዮምን፡ ብመዓልቲ ንምምራሕ
መገዶም ዓንዲ ደበና፡ ብለይቲ ዚኸዱላ መገዲ ኼብርሃሎም ከአ ዓንዲ ሓዊ ኻባታቶም ኣይረሓቑን። 20
ዜስተምህሮም ድማ ጽቡቕ መንፈስካ ሀብካዮም። ማናኻ ኸአ ካብ ኣፎም ኣየጕደልካን፡ ንጽምኣቶም
ድማ ማይ ሀብካዮም። 21 ኣብ በረኻውን ገለ ኸየጕደልካ፡ ኣርብዓ ዓመት መገብካዮም። ክዳውንቶምውን
ኣየእረጉን፡ ኣእጋሮም ድማ ኣይሓበጠን። 22 መንግስትታት ህዝብታትን ከአ ሀብካዮም፡ ግደ ጌርካ ድማ
ከፈልካዮም እሞ ምድሪ ሲሆን፡ እታ ሃገር ንጉስ ሔሽቦንን ሃገር ዖግ ንጉስ ባሳንን ወረሱ። 23 ንደቆም ከም
ከዋኽብቲ ሰማይ ኣብዛሕካዮም፡ ናብታ ነቦታቶም ከአትውዋን ኪወርስዋን ዝበልካዮም ምድሪ ድማ
ኣእቶኻዮም። 24 እቶም ደቂ ኸአ ኣተውዋ እሞ ነታ ሀገር ወረስዋ። ነቶም ኣብታ ሃገር ዝደለዩ ኺገብርዎም
ኣብ ኢዶም ኣሕሊፍካ ሀብካዮም። 25 እተዐርዳ ኸተማታትን ረጕድ ምድርን ከአ ሓዙ። ኩሉ ጽቡቕ ነገር
ዝመልአ ኣባይትን እተኻዕተ ሓጽብታትን ወይንታትን ኣዋልዕን ብዙሕ ፈራዩ ኣእዋሞን ድማ ወረሱ እሞ
በቲ ዓብዩ ለውሃትካ በልዑን ጸገቡን ስብሑን ተሓጎሱን። 26 ንሳቶም ግና እምቢተኛታት ኮኑን ካባኻ
ዐለውን፡ ንሕግኻ ድማ ንድሕሪኦም ደረበይዎ። ነቶም ናባኻ ኺምለሱ ዝመዐድዎም ነብያትካ
ቐተልዎም፡ ንኣኻውን ኣዝዮም ጸረፉኻ። 27 ስለዚ ናብ ኢድ ጸላእቶም ኣሕሊፍካ ሀብካዮም እሞ
ኣጨነቕዎም። ብጊዜ ጸበቦኦም ግና ናባኻ ኣእወዩ፡ ንስኻ ድማ ካብ ሰማይ ሰማዕካ፡ ከምቲ ብዙሕ
ምሕረትካ ኸአ ካብ ኢድ ጸላእቶም ዜድሕንዎም መድሓንቲ ሀብካዮም። 28 ዕረፍቲ ምስ ኮነሎም ግና
ተመሊሶም ኣብ ቅድሜኻ ኽፉእ ገበሩ፡ ሽዑ ድማ ኣብ ኢድ ጸላእቶም ኣሕሊፍካ ሀብካዮም እሞ
ገዝእዎም። ተመሊሶም ከአ ኣባኻ ኣእወዩ፡ ንስኻ ድማ ካብ ሰማይ ሰማዕካ። ከም ምሕረትካ ኸአ ብዙሕ
ሳዕ ኣድሓንካዮም። 29 ናብ ሕግኻ ኽተምልሶም ኢልካ ድማ መዐድካዮም። ንሳቶም ግና ተዐበዩ፡
ንትእዛዛትካውን ኣይሰምዑን፡ ነቲ ሰብ እንተ ገበሮ ዚድሕነሉ፡ ፍርድታትካውን በደሉ፡ መንኮቦም ድማ
ኣድሓርሓሩ፡ ክሳዶም ኣትሪሮም ከአ ኣይሰምዑን። 30 ብዙሕ ዓመታት ድማ ተዐገስካዮም፡ ነብያትካ ጌርካ
ኸአ ብመንፈስካ መዐድካዮም፡ ኣእዛኖም ግና ኣይመለሱልካን። ሽዑ ናብ ኢድ ህዝብታት ሃገራት
ኣሕሊፍካ ሀብካዮም። 31 ግናኸ ንስኻ ለዋህን መሓርን ኣምላኽ ኢኻ እሞ፡ ብብዝሒ ምሕረትካ ፈጺምካ
ኣይወዳእካዮምን ኣይሓደግካዮምን። 32 ሕጂ ድማ፡ ዎ ኣምላኽና፡ ኪዳንን ምሕረትን ኣትሕሉ፡ ዓብይን

ብርቱዕን መፍርህን ኣምላኽ፡ እቲ ንኣና፡ ንነገስታትና ንሓላቓናን ንኻህናትናን ንነብያትናን ነቦታትናን
ንኹሉ ህዝብኻን ካብ ዘመን ነገስታት ኣሶር ጀሚሩ ኽሳዕ ሎሚ መዓልቲ ዝረኸበና መከራ ንእሽቶ ኾይኑ
ኣይረኤኻ። [33] ንስኻስ በቲ ኣቦና ዝመጻ ኹሉ ጻድቕ ኢኻ፡ ንሓና በደልና እምበር፡ ንስኻስ በቲ ዝገበርካዮ
እሙን ኢኻ። [34] ነገስታትናን ሓላቓናን ካህናትናን ኣቦታትናን ሕግኻ ኣይገብሩን፡ ንትእዛዛካን ነቲ ኣብ
ልዕሊኦም ዝመስከርካዮ ምስክርካን ኣይሓለውን። [35] ኣብታ መንግስቶምን ኣብቲ ብብዙሕ ለውሃትካ
ዝሀብካዮምን ኣብታ ኣብ ቅድሚኦም ዝሀብካዮም ገፋሕን ረጓድን ምድርን ኣየገልገሉኻን፡ ኻብቲ ኽፉእ
ግብሮምውን ኣይተመለሱን። [36] እንሆ ሎሚ ንሕና ባሮት ኢና፡ ኣብታ ፍሬኣን በረኸታን ኪበልዑ
ነቦታትና ዝሀብካዮም ምድሪ፡ እንሆ፡ ንሕና ኣብኣ ባሮት ኺንና ኣሎና። [37] እቶታ ድማ ነቶም ብሰሪ
ሓጢኣትና ኣብ ልዕሌና ዝሸምካዮም ነገስታት ተብዝሓሎም ኣላ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ ስጋናን እንስሳናን ከም
ዝደለዩ ይገዝኡ ኣለው። ንሕና ኽአ ኣብ ዓብዩ ጸበባ ኢና ዘሎና። [38] በዚ ኹሉ ድማ ኪዳን ኣቖምና
ጸሐፍናዮውን፡ ሓላቓናን ሌዋውያንናን ካህናትናን ከአ ሐተምዎ።

## ምዕራፍ 10

[1] እቶም ዚሐትሙ ኸአ እዚኣቶም እዮም፡ ነህምያ፡ እቲ ቲርሻታ ወዲ ሓካልያን ጺድቂያን፡ [2] ሰራያ፡
ዓዛርያ፡ ኤርምያ፡ [3] ጳሽሑር፡ ኣምርያ ማልኪያ፡ [4] ሓጡሽ፡ ሸባንያ፡ ማሉኽ፡ [5] ሓሪም፡ መሬሞት፡ ዖባድያ፡ [6]
ዳኒኤል፡ ጊንቶን፡ ባሩኽ፡ [7] መሹላም፡ ኣቢያ፡ ሚያሚን፡ [8] መዓዝያ፡ ቢልጋይ፡ ሸማዕያ፡ እዚኣቶም ካህናት
እዮም። [9] ሌዋውያን ከአ፡ እያሱ ወዲ ኣዛንያ ቢኑይ ካብ ደቂ ሔናዳድ፡ ቃድሚኤል፡ [10] ኣሕዋቶም ድማ
ሸባንያ፡ ሆድያ፡ ቀሊጣ፡ ጰላያ፡ ሓናን፡ [11] ሚካ፡ ሬሖብ፡ ሓሸብያ፡ [12] ዛኩር፡ ሸረብያ፡ ሸባንያ፡ [13] ሆዲያ፡
ባኒ፡ በኒኑ። [14] ሓላቓ እቲ ህዝቢ፡ ጳርዖሽ፡ ጳሓትሞኣብ፡ ዔላም፡ ዘቱ፡ ባኒ፡ [15] ቡኒ፡ ዓዝጋድ፡ ቤባይ፡ [16]
ኣዶንያ፡ ቢግዋይ ዓዲን [17] ኣጤር፡ ሕዝቂያ፡ ዓዙር፡ [18] ሆዲያ፡ ሓሹም፡ ቤጻይ፡ [19] ሓሪፍ፡ ዓናቶት፡ ኔባይ፡
[20] ማግጲዓሽ፡ መሹላም፡ ሔዚር፡ [21] መሸዛብኤል፡ ጻዶቅ፡ ያዱዓ፡ [22] ጳላጥያ፡ ሓናን፡ ዓናያ፡ [23] ሆሺዓ፡
ሓናንያ፡ ሓሹብ፡ [24] ሃሎሔሽ፡ ጺልሓ፡ ሸቤቅ፡ [25] ሬሑም፡ ሓሻብና፡ ማዓሰያ፡ [26] ድማ ኣሒያ፡ ሓናን፡
ዓናን፡ [27] ማሉክ ሓሪም ባዓና። [28] እቶም ዝተረፉ ህዝብን ካህናትን ሌዋውያንን ሐለውቲ ኣፍ ደገን
ዘመርትን ነቲኒምን ሕጊ ኣምላኽ ንምግባር ነፍሶም ካብ ህዝቢ እታ ሃገር ዝፈለዩ ኹላቶምን፡ ኣንስቶምን
ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ኩሎም ፍልጠትን ምስትውዓልን ዝነበሮም፡ [29-30] እዚኣቶም ምስቶም ከበርተ
ኣሕዋቶም ሓቢሮም በቲ ብኢድ ሙሴ ባርያ ኣምላኽ እተዋህበ፡ ብሕጊ ኣምላኽ ንምኻድ ድማ፡ ናይ
ጐይታና እግዚኣብሄር ትእዛኣትን ፍርድታቱን ሕጋጋቱን ኩሉ ኽሕልውን ኪገብርዎን፡ ንህዝብታት እታ
ሃገር ድማ፡ ኣዋልድና ኣይንህብ፡ ነወዳትና ኸአ ኣዋልዶም ኣይንውሰድ፡ ኢሎም ማሕላን መርገምን
ገበሩ። [31] እቶም ህዝብታት እታ ሃገር በብዓይነቱ ሸቕጥን እኽልን፡ ብመዓልቲ ሰነብት ኪሸጥዎ ኢሎም
ዘምጽእዎ፡ በመዓልቲ ሰንበትን ብቕዱስ መዓልትን ካባታቶም ኣይንሻየጥ በብሳብዐይቲ ዓመት ከአ እታ
ምድሪ ትዕረፍ ንሕደጋ፡ ነቶም ሰብ ዕዳውን ንሕደገሎም፡ በልናል [32-33] ንኣገልግሎት ቤት ኣምላኽና፡
ንእንጌራ ምርኣይን ነቲ ናይ ወርትግ መስዋእቲ ብልዕን ነቲ ወርትግ ዚሐርር መስዋእትን ናይ ሰናብትን
ናይ ስርቂ ወርሕን ናይ ምዱባት በዓላትን ናይ ቅዱስ ነገርን ንመተዓረቒ እስራኤል ዚኸውን መስዋእቲ
ሓጢኣትን ንኹሉ ዕዮ ቤት ኣምላኽናን ዚኸውን በብዓመት ሲሶ ሚትቃል ክንህብ፡ ኣብ ርእስና ትእዛዝ
ጸዐንና። [34] ብዛዕባ እቲ ምውፋይ ዕጨይቲ ኽምቲ ኣብ ሕጊ ተጽሒፉ ዘሎ፡ ኣብ መሰውኢ እግዚኣብሄር
ኣምላኽና ኺነድድሲ፡ በብማይ ቤት ኣቦታትና ዓመት ንዓመት በብእዋኑ ንቤት ኣምላኽና ዕጨይቲ

ንምምጻእ ንኻህናትን ንሌዋውያንን ንህዝብን ዕጭ ኣውደቕናሎም። [35] በኹራት ፍረ ምድርናን በኹራት
ኩሉ ፍረ ናይ ኩሉ ዓይነት ኣግራብናን በብዓመት ናብ ቤት እግዚኣብሄር ከነምጽእ፡ [36] ከምቲ ኣብ ሕጊ
ተጽሒፉ ዘሎ ድማ፡ በኹሪ ደቅናን እንስሳናን በኹሪ ኣሓናን ኣባጊዕናን ናብቶም ቤት ኣምላኽና ነምጽእ።
[37] ቀዳማይ ብሑቕናን ዚለዐል ሞባእናን ፍረ ኹሉ ዓይነት ኣግራብን ናይ ወይንን ናይ ዘይትን ንኻህናት
ናብ ክፍልታት ቤት ኣምላኽና ነምጽእ። ናይ ምድርና ዕሽር ከኣ ንሌዋውያን ነምጽእ፡ ንሳቶም ሌዋውያን፡
ካብ ኩሉ ሕርሻ እተን ከተማታትና ዕሽር ይውሰዱ። [38] ሌዋውያን ዕሽር ኪወስዱ ኸለው ድማ፡ ብሓደ
ኻህን ወዲ ኣሮን፡ ምስቶም ሌዋውያን ይኹን። እቶም ሌዋውያን ድማ ናይቲ ዕሽር ዓስራዩ የልዕሉ እሞ
ናብ ቤት ኣምላኽና፡ ናብቲ ኽፍልታት ቤት መዛግብቲ የእትው። [39] እቶም ደቂ እስራኤልን ደቂ ሌዊን
ከኣ ናይ እኽልን ናይ ወይንን ናይ ዘይትን ዚልዐል መስዋእቲ ናብቲ ኽፍልታት እዮም ዜምጽእዎ፡ ኣብኡ
ኸኣ እቲ ኣቓሑ መቕደስን እቶም ዜገልግሉ ኻህናትን ሓለውቲ ደጌታትን ዘመርትን እዮም ዘለው።
እምበአርሲ ቤት ኣምላኽና ከቶ ኣይንሕደግ።

# ምዕራፍ 11

[1] እቶም ሓላቑ እቲ ህዝቢ ድማ ኣብ የሩሳሌም ተቐመጡ። እቶም ዝተረፉ ህዝቢ ግና ከካብ ዓሰርተስ
ሐሓደ ወሲዶም ናብቲ ቅድሲ ኸተማ፡ ናብ የሩሳሌም ኬቕምጥዎም እቶም ትሽዓተ ኢድ ከኣ ኣብተን
ካልኦት ከተማታት ኪቕመጡ ዕጭ ተዋደቑ። [2] ነቶም ብፍቓዶም ኣብ የሩሳሌም ኪቕመጡ ዝፈተው
ኹሎም ሰባት ድማ እቲ ህዝቢ መረቖም። [3] እቶም ኣብ የሩሳሌም እተቐመጡ ሓላቑ እታ ሃገር እዚኣቶም
እዮም። ኣብተን ከተማታት ይሁዳ ግና እስራኤላውያን፡ ካህናት ሌዋውያንን ነቲኒምን ደቂ ገላው
ሰሎሞንን፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ረርስቱ ኣብ ከተማታቶም ተቐመጡ። [4] ካብ ደቂ ይሁዳን ካብ ደቂ
ብንያምን ድማ ኣብ የሩሳሌም ተቐመጡ፡ ካብ ደቂ ይሁዳ፡ ዓታያ ወዲ ዑዝያ፡ ወዲ ዘካርያ፡ ወዲ
ኣማርያ፡ ወዲ ሸፋጥያ፡ ወዲ ማሃላልኤል፡ ካብ ደቂ ፋሬስ። [5] ድማ ማዓስያ ወዲ ብሩክ፡ ወዲ ኮልሖዜ፡
ወዲ ሓዛያ፡ ወዲ ዓዳያ፡ ወዲ ዮያሪብ፡ ወዲ ዘካርያ፡ ወዲ እቲ ሹሎናዊ። [6] ኩላቶም ኣብ የሩሳሌም
እተቐመጡ ደቂ ፋሬስ ኣርባዕተ ሚእትን ስሳን ሾምንተን ሓያላት ሰባት ነበሩ። [7] ደቂ ብንያም ድማ
እዚኣቶም እዮም፡ ሳሉ ወዲ መሹላም፡ ወዲ ዮዔድ፡ ወዲ ጳዳያ፡ ወዲ ቆላያ፡ ወዲ ማዓስያ፡ ወዲ
ኢቲኤል፡ ወዲ ይሻዕያ። [8] ድሕሪኡ ኸኣ ጋባይ፡ ሰላይ፡ ትሽዓተ ሚእትን ዕስራን ሾምንተን። [9] ዮኤል ወዲ
ዚክሪ ኸኣ ሓላቓኦም ነበረ፡ ይሁዳ ወዲ ሃስኑኣ ድማ ኣብ ልዕሊ እታ ኸተማ ኻልኣዮ ነበረ። [10] ካብ
ካህናት ከኣ የዳዕያ ወዲ ዮያሪብ፡ ያኪን። [11] ሰራያ ወዲ ሒልቃያ፡ ወዲ መሹላም፡ ወዲ ጻዶቅ፡ ወዲ
መራዮት፡ ወዲ ኣሒጡብ፡ ሓለቓ ቤት ኣምላኽ። [12] ዕዮ እቲ ቤት ዚዐዮ ኣሕዋቶም ድማ ሾሞንተ
ሚእትን ዕስራን ክልተን እዮም፡ ድማ ዓዳያ፡ ወዲ ይሮሓያ፡ ወዲ ጳላልያ፡ ወዲ ኣምጺ፡ ወዲ ዘካርያ፡
ወዲ ጳሽሑር፡ ወዲ ማልኪያ፡ [13] ኣሕዋቱ ኸኣ ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ክልተ ሚእትን ኣርብዓን ክልተን፡
ዓማሽሳይ ወዲ ዓዛርኤል፡ ወዲ ኣሕዛይ፡ ወዲ መሽሌሞት፡ ወዲ ኢመር፡ [14] ኣሕዋቶምውን ሓያላት
ጀጋኑ፡ ሚእትን ዕስራን ሾሞንተን፡ ሐለቓኦም ድማ ዛብዲኤል፡ ወዲ ሃገዶሊሞ ነበረ። [15] ካብ ሌዋውያን
ድማ ሸማዕያ ወዲ ሓሹብ፡ ወዲ ዓዝሪቃም፡ ወዲ ሓሻብያ፡ ወዲ ቡኒ። [16] ካብ ሓላቑ ሌዋውያን ከኣ
ሻብታይን ዮዛባድን ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ወጻኢ ዕዮ ቤት ኣምላኽ ነበሩ። [17] ድማ ማታንያ ወዲ ሚካ፡
ወዲ ዛብዲ፡ ወዲ ኣሳፍ፡ ንሱ ብጸሎት ከማር መዝሙር ምስጋና ዝነበረ ሓለቓ እዩ። ካልኣዮ ኸኣ ካብ
ኣሕዋቱ፡ ባቅቡቅያ፡ ኣብዳ ወዲ ሸሙዓ ኸአ፡ ወዲ ጋላል፡ ወዲ ይዱቱን። [18] ኩሎም ሌዋውያን ኣብታ

ቅድስቲ ኸተማ ኽልተ ሚእትን ሰማንያን ኣርባዕተን ነበሩ። 19 ሓለውቲ ኣፍ ደገ ኸአ ዓቑብ፡ ጣልሞን፡
ኣሕዋቶም ድማ ንደጊታት ዚሕልው ዝነበሩ፡ ሚእትን ሰብዓን ክልተን እዮም። 20 ካብ እስራኤል ዝተረፉ
ኻህናትን ሌዋውያንን ከአ ኣብ ኩለን ከተማታት ይሁዳ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ረርስቶም ተቐመጡ። 21
እቶም ነቲኒም ግና ኣብ ዖፌል ተቐመጡ፡ ጺሓን ጊሽጳን ከአ ኣብ ልዕሊ እቶም ነቲኒም ነበሩ። 22 ኡዚ
ወዲ ባኒ ድማ፡ ወዲ ሓሻብያ፡ ወዲ ማታንያ፡ ወዲ ሚካ፡ ካብ ደቂ ኣሳፍ እቶም ዘመርቲ፡ ኣብ የርሳሌም
ኣብቲ ኣገልግሎት ቤት እግዚኣብሄር ሓለቓ ሌዋውያን ነበረ። 23 ከመይሲ ብዛዕባኦም ትእዛዝ ንጉስ ነበረ፡
ነቶም ዘመርቲውን ነንመዓልቲ ምዱብ ግዲኦም ተሰርዓሎም። 24 ጴታሕያ ወዲ መሸዛብኤል፡ ካብ ደቂ
ዜራሕ ወዲ ይሁዳ ኸአ ብኹሉ ናይ ህዝቢ ነገር ምስ ንጉስ ነበረ። 25 ኣብ ኣቑሻቶምን ኣብ ማሕረሶምን
ድማ ገለ ኻብ ደቂ ይሁዳ ኣብ ቂርያትኣርባን ኣብ ዓድታታን ኣብ ዲቦንን ኣብ ኣድታታን ኣብ
ቃብጽኤልን ኣብ ኣቑሻታን ተቐመጡ። 26 ኣብ የሹዓን ኣብ ሞላዳን ኣብ ቤት ጳሌጥን፡ 27 ኣብ
ሓጺርሹዓልን ኣብ ብኤርሸባዕን ኣብ ዓድታታን፡ 28 ኣብ ጺቅላግን ኣብ መኮናን ኣብ ዓድታታን፡ 29 ኣብ
ዔንሪሞንን ኣብ ጸርዓን ኣብ ያርሙትን ተቐመጡ። 30 ኣብ ዛኖሓን ኣብ ዓዱላምን ኣብ ዓድታተንን፡ ኣብ
ላኪሽን ኣብ ማሕረሳን ኣብ ዓዜቃን ኣብ ዕድታታን ካብ ብኤር ሸባዕ ክሳዕ ለሰ ሂኖም ሰፈሩ። 31 ደቂ
ብንያም ከአ ካብ ጌባዕ፡ ኣብ ሚኽማሽን ኣብ ዓያን ኣብ ቤትኤልን ኣብ ዓድታታን ተቐመጡ፡ 32 ኣብ
ዓናቶት፡ ኣብ ኖብ፡ ኣብ ዓናንያ፡ 33 ኣብ ሓጾር፡ ኣብ ራማ፡ ኣብ ጊታይም፡ 34 ኣብ ሓዲድ፡ ኣብ ጽቦዒም፡
ኣብ ነባላጥ፡ 35 ኣብ ሎድን ኣብ ኦኖን፡ ኣብ ለሰ ጸረብትን። 36 ካብ ሌዋውያን ድማ ገለ ኣብ ይሁዳ ኻብ
ዝነበሩ ኽፍልታት ምስ ብንያም ሓበሩ።

## ምዕራፍ 12

1 እቶም ምስ ዙሩባቤል፡ ወዲ ሸኣልቲኤልን ምስ እያሱን ዝደየቡ ኻህናትን ሌዋውያንን እዚኣቶም
እዮም፡ ሰራያ፡ ኤርምያ፡ እዝራ፡ 2 ኣማርያ፡ ማሉክ፡ ሓጡሽ፡ 3 ሸካንያ፡ ሬሑ፡ መሬሞት፡ 4 ዒዶ፡ ጊንቶይ፡
ኣቢያ፡ 5 ሚያሚን፡ ማዕድያ፡ ቢልጋ፡ 6 ሸማዕያ፡ ዮያሪብ፡ የዳዕያ፡ 7 ሳሉ፡ ዓሞቅ፡ ሒልቂያ። የዳዕያ።
እዚኣቶም ብዘመን እያሱ፡ ናይ ካህናትን ናይ ኣሕዋቶምን ሓላቑ ነበሩ። 8 ሌዋውያን ድማ፡ እያሱ፡ ቡኑኢ፡
ቃድሚኤል፡ ሸረብያ፡ ይሁዳ፡ ማታንያ፡ ንሱን ኣሕዋቱን፡ መራሕቲ መዝሙር ምስጋና። 9 ኣብ መንጽሮም
ድማ ኣሕዋቶም ባቅቡቅያን ዑኒን ኣብ ሐሓለዋኦም ነበሩ። 10 እያሱ ኸአ ንዮያቂም ወለደ፡ ዮያቂም ድማ
ንኤልያሺብ ወለደ፡ ኤልያሺብ ከአ ንዮያዳዕ ወለደ። 11 ዮያዳዕ ድማ ንዮናታን ወለአ፡ ዮናታን ከአ ንያዱዓ
ወለደ። 12 ብዘመን ዮያቂም ከአ እቶም ካህናት ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ዝነበሩ እዚኣቶም እዮም፡ ካብ
ሰራያ መራያ፡ ካብ ኢርምያ ሓናንያ፡ 13 ካብ እዝራ መሹላም፡ ካብ ኣማርያ ዮሓናን፡ 14 ካብ መሊኩ
ዮናታን፡ ካብ ሸባንያ ዮሴፍ፡ 15 ካብ ሓሪም ዓድና፡ ካብ መርዮይ ሒልቃይ፡ 16 ካብ ዒዶ ዘካርያስ፡ ካብ
ጊንቶን መሹላም። 17 ካብ ኣቢያ ዚክሪ፡ ካብ ሚንያሚን፡ ካብ ሞዓድያ ጲልጣይ፡ 18 ካብ ቢልጋ ሻሙዓ፡
ካብ ሸማዕያ ይሆናታን፡ 19 ካብ ዮያሪብ ድማ ማትናይ፡ ካብ የዳዕያ ዑዚ፡ 20 ካብ ሳላይ ቃላይ፡ ካብ
ዓሞቅ ዔበር፡ 21 ካብ ሒልቂያ ሓሻብያ፡ ካብ ይዳዕያ ንታንኤል። 22 እቶም ሌዋውያን ብዝመን
ኤልያሺብን ዮያዳዕ ዮሓናን ያዱዓን ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ኮይኖም ተጻሕፉ፡ እቶም ካህናት ድማ
ብዘመን መንግስቲ ዮርዳኖስ ብዓል ፋርስ ተጻሕፉ። 23 እቶም ደቂ ሌዊ ሓላቑ ማይ ቤት ኣቦታት ክሳዕ
ዘመን ዮሓናን ወዲ ኤልያሺብ ኣብቲ መጽሓፍ ዜና መዋእል ተጻሕፉ። 24 ሓላቑ እቶም ሌዋውያን ከአ
ሓሻብያ፡ ሸረብያ፡ እያሱ ወዲ ቃድማኤል ምስ ኣሕዋቶም ኣብ መንጽሮም ኮይኖም፡ ከምቲ ትእዛዝ

ዳዊት፡ እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ይውድሱን የመስግኑን ነበሩ። [25] ማታንያን ባቅቡቅያን ዓብድያ፡ መሹላም፡ ጣልሞን ዓቁብ፡ እዚኣቶም ሓለውቲ ደገ ኾይኖም ኣፍ ደገ እቲ መዛግብቲ ይሕልው ነበሩ። [26] እዚኣቶም ብዘመን ዮያቂም፡ ወዲ እያሱ ወዲ ዮጻዳቅን ብዘመን መስፍንን ነህምያን እዝራ እቲ ኻህንን ጸሓፍን ነበሩ። [27] ብምቕዳስ እቲ መካበብያ የሩሳሌም ድማ፡ ምእንቲ ብምስጋናን ብመዝሙርን ብጸናጽልን ብመሰንቆን ብበገናን ገይሮም ብሓጎስ ኪቕድስዎ፡ ነቶም ሌዋውያን ካብ ኵሉ ቦታኦም ናብ የሩሳሌም ኬምጽእዎም ደለይዎም። [28-29] እቶም ዘመርትስ ኣብ ከባቢ የሩሳሌም ዓድታት ሰሪሖም ነበሩ እሞ፡ ደቂ እቶም ዘመርቲ ኻብቲ ጎልጎል ከባቢ የሩሳሌምን ካብ ዓድታት ነጦፋታውያንን ካብ ቤት ጊልጋልን ካብ ምድሪ ጌባዕን ዓዝማዌትን ተኣከቡ። [30] እቶም ካህናትን ሌዋውያንን ድማ ጸንዑ። ነቲ ህዝብን ንደጌታትን ነቲ ቐጽርን ከኣ ኣንጽህዎ። [31] ንሓላቓ ይሁዳ ድማ ናብ ልዕሊ እቲ መካበብያ ኣደየብክዎም። ዜመግኑ ኽልተ ዓበይቲ ታራ ኣቘምኩ፡ እቶም ሓደ ታራ ናብ ልዕሊ እቲ መካበብያ ደገ መጕሓፊ ብሸነኽ የመን ከዱ። [32] ብድሕሪኦም ሆሻዕያ ኸደ፡ ሓላቓ ይሁዳ ኸኣ ፈረቓኦም ከዱ፡ [33] ኣዛርያን እዝራን መሹላምን፡ [34] ይሁዳን ብንያምን ሸማዕያን ኤርምያስን፡ [35] ካብ ደቂ ኻህናት ድማ መለኸቶም ሒዞም፡ ዘካርያስ ወዲ ዮናታን፡ ወዲ ሸማዕያ፡ ወዲ ማታንያ፡ ወዲ ሚካያ፡ ወዲ ዛኩር፡ ወዲ ኣሳፍ። [36] ኣሕዋቱ ድማ፡ ሸማዕያን ዓዛርኤልን፡ ሚላላይ፡ ጊላላይ፡ ማዓይ፡ ንታንኤልን ይሁዳን ሓናኒን፡ ነቲ ናይ ዳዊት ናይ ኣምላኽ ሰብ መሳርያታት ሙዚቃ ሒዞም፡ እዝራ እቲ ጸሓፊ ኸኣ ቀቅድሚኦም ነበረ። [37] ኣብ መንጽሮም ኣብ ዘሎ ደገ እቲ ዔላ፡ በቲ ንኸተማ ዳዊት ዜደይብ መሳልል፡ ኣብ ልዒ ቤት ዳዊት ዘሎ ናይ መካበብያ ዜደይብ መሳልል ክሳዕ እቲ ንምብራቕ ዜብል ደገ ማይ ደየቡ። [38] እቶም ካልኣይ ታራ ዜመስግኑ ኸኣ ኪራኸብዎም ናብ ካልኦት ወገን ኣቢሎም ይኸዱ ነበሩ። ኣነን ፈረቓ እቲ ህዝብን ድማ ካብ ግምቢ ኣቶም ክሳዕ እቲ ገፊሕ መካበብያ ብልዕሊ እቲ መካበብያ ጌርና ደድሕሪኦም ከድና። [39] ኣብ ልዕሊ እቲ ደገ ኤፍሬምን ብልዕሊ እቲ ኣረጊት ደገን እቲ ደገ ዓሳ ብግምቢ ሃናንኤልን ብግምቢ ሜኣን ክሳዕ ደገ ኣባጊዕ ከይዶም ድማ ኣብ ደገ ቤት ማእሰርቲ ቈሙ። [40] እቶም ክልተ መስርዕ ዜመስግኑ ድማ ኣብ ቤት ኣምላኽ ቘሙ፡ ኣነ ከኣ ምስ ፈረቓ እቶም ሹማምቲ። [41] እቶም ካህናት ድማ፡ ኤልያቂም፡ ማዕሰያ፡ ሚንያሚን፡ ሚካያ፡ ኤልዮዔናይ፡ ዘካርያስ፡ ሓናንያ፡ መለኸት ሒዞም። [42] ምማዕሰያን ሸማዕያን ኣልኣዛርን ዑዚን የሆሓናን መልክያን ዔላምን ዔዘርን። እቶም ዘመርቲ ኸኣ ዓው ኢሎም ይዝምሩ ነበሩ፡ ይዝራሕያ ኸኣ መራሒኦም ነበረ። [43] በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ዓብዩ መስዋእቲ ሰውኡ። ኣምላኽ ዓብዩ ሓጎስ ኣሕጎስዎም እዩ እሞ፡ ደስ በሎም። እተን ኣንስትን እቶም ደቅን ከኣ ተሓጐሱ፡ ሓጎስ የሩሳሌምውን ክሳዕ ርሑቕ ተሰምዔ። [44] እቶም ኣይሁድ ኣገልግሎት ካህናትን ሌዋውያንን ርእዮም ተሓጎሱ እሞ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ነቲ ዚለዐል መስዋእትታትን በዅራትን ዕሽርን ካብ ኵሉ ማሕረስ እተን ከተማታት ከምቲ ሕጊ ግደ ኻህናትን ሌዋውያንን ናብቲ ዚእከቡሉ ኽፍልታት ቤት መዛግብቲ ዚእከቡ ዋናታት ኣቘሙ። [45] ንሳቶም ድማ ነቲ ሓለዋ ኣምላኾምን ነቲ ሓለዋ ጽሬትን ሓለው፡ እቶም ዘመርትን ሓለውትን ደጌታትን ከኣ ከምኡ፡ ከምቲ ትእዛዝ ዳዊትን ሰሎሞን ወዱን ገኣብሩ። [46] ቀደም ብዘመን ዳዊትን ኣሳፍንሲ፡ ሓላቓ ዘመርቲ ነበሩ፡ ንኣምላኽ ድማ መዝሙር ውዳሴን ምስጋናን ነበረ። [47] ብዘመን ዘሩባቤልን ብዘመን ነህምያን ከኣ ብዘለው እስራኤል ነቶም ዘመርትን ሓለውቲ ደጊታትን ነንመዓልቲ ግዲኦም ሀብዎም። ንሌዋውያን ድማ ካብቲ እተቐደሰ ነገር ሀቡ። እቶም ሌዋውያን ከኣ ካብቲ እተቐደሰ ነገር ንደቂ ኣሮን ሀቡ።

## ምዕራፍ 13

[1] በታ መዓልቲ እቲኣ ነቲ መጽሓፍ ሙሴ ኣብ እዝኒ እቲ ህዝቢ ኣንበብዎ፡ ኣብኡ ኸኣ ዓሞናውን
ሞኣባውን ንዘለኣለም ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ከይኣቱ፡ ተጽሒፉ ተረኸበ። [2] ከመይሲ ኺረግሞም ደኣ
ንበላዓም ተሻየጥዎ እምበር፡ ንደቂ እስራኤል እንጌራን ማይን ሒዞም ኣይተቐበለዎምን። ኣምላኽና ግና
ነቲ መርገም ኣብ በረኸት መለሶ። [3] ኮነ ድማ፡ ነቲ ሕጊ ምስ ሰምዑ፡ ጓና ዘበለ ኻብ እስራኤል ፈለዩ። [4]
ቅድሚ እዚ፡ ኤልያሺብ እቲ ኻህን ኣብ ልዕሊ ኽፍልታት ቤት ኣምላኽና ተሸይሙ ዝነበረ፡ ዘመድ
ጦብያ፡ [5] ንሱ ንእኡ ዓብዩ እቃቤት ኣዳለወሉ፡ ቅድም ኣብኡ መስዋእቲ ብልዕን ዕጣንን ኣቓሑን ናይ
እኽልን ናይ ወይንን ናይ ዘይትን ዕሽር፡ ማለት እቲ ንሌዋውያንን ንዘመርትን ንሓለውቲ ደጌታትን
እተኣዘዘሎምን እቲ ንኻህናት ዚለዐል መስዋእትታትን የንብሩሉ ነበሩ። [6] ኣነ ግና ብኹሉ እዚ ነገር እዚ
ኣብ የሩሳሌም ኣይነበርኩን። በመበል ሰላሳን ክልተን ዓመቱ ንኣርታሕሻስታ ንጉስ ባቢሎን ናብ ንጉስ
ደኣ መጺኤ ነበርኩ። ድሕሪ ቑሩብ ጊዜ ድማ ካብ ንጉስ ስንብታ ለመንኩ፡ [7] ናብ የሩሳሌም ከኣ መጻእኩ
እሞ ኤልያሺብ ኣብ ውሽጢ መካበብያ ቤት ኣምላኽ ንጦብያ ኽፍሊ ቤት ብምድላው ዝገበሮ ኽፉእ
ኣስተውዐልኩ። [8] እዚ ኸኣ እዝዩ ኣጉሃየኒ። ንኹሉ ኣቓሑ ቤት ጦብያ ድማ ካብቲ ኽፍሊ ቤት ንግዳም
ደርቤኽዎ። [9] ነቲ ኽፍልታት ቤት ከኣ ኬንጽህዎ ኣዘዝኩ፡ ነቲ ኣቓሑ ቤት ኣምላኽን ነቲ መስዋእቲ
ብልዕን ዕጣንን ድማ መሊሰ ኣብኡ ኣእቶኽዎ። [10] ንሌዋውያን ግዲኦም ከም ዘይተዋህበ፡ ብእኡ
ምኽንያት ድማ እቶም ዜገልግሎ ሌዋውያንን ዘመርትን ነፍሲ ወከፍ ነናብ ማሕረሱ ኸም ዝሃደመ
ፈለጥኩ። [11] ሽዑ ነቶም ዓበይቲ ገሰጽክዎም፡ ስለምታይ እዩ ቤት ኣምላኽ እተሐድገ፡ ኢለ ኸኣ ኣኪበ
ነናብ ዕዮኦም ኣቖምክዎም። [12] ሽዑ ኸኣ ኩሉ ይሁዳ ኻብ እኽልን ወይንን ዘይትን ዕሽር ናብቲ መዝገብ
የምጽእ ነበረ። [13] ተሓዝቲ መዝገብ ከኣ ሸለምያ ኻህንን ጻዶቅ ጸሓፍን፡ ካብ ሌዋውያን ድማ ፈዳያ
ኣቖምኩ። ምሳታቶም ከኣ ሓናን ወዲ ዛኩር፡ ወዲ ማታንያ፡ ወሰኽኩ፡ እሙናት ኮይኖም ስለ እተረኸቡ
ድማ ነሕዋቶም ገግዲኦም ኬካፍልዎም ተመዘዙ። [14] ስለዚ ዎ ኣምላኸይ፡ ዘክረኒ፡ ኣብ ቤት ኣምላኸይን
ኣብ ኣገልግሎቱን ዝገበርክዎ ለውሃተይ ከኣ ኣይተጥፍእ። [15] በተን መዓልትታት እቲኤን ኣብ ይሁዳ
ብሰንበት ኣብ መርገጽ ወይኒ ኺረግጹን ኣእዱግ ጽዒኖም እንዳእቲ ኼእትውን ወይንን ዘለላ ወይንን
በለስን በብዓይነቱን ጽዕነትን ድማ በመዓልቲ ሰንበት ናብ የሩሳሌም ኬምጽኡን ርኤኹ። ኣነ ኸኣ በታ
እቶቶም ዝሸጡላ መዓልቲ ኣንጻሮም መስከርኩ። [16] ኣብኣ ድማ ሰብ ጢሮስ ነበሩ፡ ንሳቶም ዓሳን ዚሸየጥ
ኩሉ ነገርን የምጽኡ፡ ንደቂ ይሁዳ ኸኣ ብሰንበትን ኣብ የሩሳሌምን ይሸጡሎም ነበሩ። [17] ሽዑ ንዓበይቲ
ይሁዳ፡ እዚ እተገርዎ ኽፉእ ነገር እንታይ ማለት እዩ፡ መዓልቲ ሰንበት ተርክሱ ኣሎኹም፡ ኢለ
ኾረኽሎም። [18] ኣቦታትኩምሲ ኸምኡዶ ኣይኮነን ዝገበሩ፡ ኣምላኽና ድማ እዚ ኹሉ ኽፉእ እዚ ናብ
ልዕሌናን ናብ ልዕሊ እዛ ኸተማ እዚኣን ኣምጽኣልና። ንስኻትኩም ድማ ብሰንበት ብምርካስኩም ነቲ
ነዳዲ ኹራ ናብ ልዕሊ እስራኤል ኣበርታዕኩምዎ። [19] ኮነ ኸኣ፡ ቅድሚ ሰንበት ነተን ደጌታት የሩሳሌም
ድነ ኺወድቀን ምስ ጀመረ፡ ደጌታት ኺዐጽው ኣዘዝኩ። ሰንበት ክሳዕ እተሐልፍ ከኣ፡ ከይከፍቱ
ኣዘዝኩ። ብመዓልቲ ሰንበት ገለ ሰኸሚ ኸያእቱ፡ ካብ ገላዎይ ኣብ ደገ ደው ኣበልኩ። [20] ሽዑ እቶም
ነጋዶን ሸየጥቲ ኹሉ ዓይነትን ኣብ ወጻኢ የሩሳሌም ሓንሳእ ወይ ክልተ ሳዕ ሐደሩ። [21] ኣነ፡ ድማ ኣብ
መንጽር መካበብያ እተሓድሩስ ስለምንታይ ኢኹም፡ ከምዚ እንተ ደገምኩም፡ ኢደይ ኣብ ልዕሌኹም
ከልዕል እየ፡ ኢለ ኣሰማዕኩሎም። ካብታ ጊዜ እቲኣ ጀሚሮም ብሰንበት ኣይመጹን። [22] ንሌዋይውን ከኣ
ኪጸርዩን፡ ንምሕላው ደጌታትን መዓልቲ ሰንበት ንምቕዳስን ኪመጹ ኣዘዝክዎም። በዚ ድማ፡ ዎ
ኣምላኸትይ፡ ዘክረኒ፡ ከም ብዝሒ ምሕረትካውን ደንግጸለይ። [23] በተን መዓልትታት እቲኤን ድማ ካብ
ኣንስቲ ኣሽዶዳውያን፡ ዓሞናውያን፡ ሞኣባውያን ዘእተው ኣይሁድ ርኤኹ። [24] እቶም ደቆም ከኣ

ፈረቓኦም ብዘረባ እሽዳድ ወይስ ናይ ዝኾነ ኻልእ ህዝቢ ይዛረቡ ነበሩ እምበር፡ ብዘረባ ኣይሁድ
ምዝራብሲ ኣይኽእሉን ነበሩ። 25 ተቐጢዔ ድማ ረገምክዎም፡ ካባታቶም ከአ ንሓያሎ ሰባት ወቓዕኩ፡
ጸጕሮምውን ነጼኹ፡ ኣዋልድኩም ነወዳቶም ኣይትሀቡ፡ ካብ ኣዋልዶም ከአ ነወዳትኩምን
ንርእስኻትኩምን ኣይትውሰዱ፡ ኢለ ድማ ብኣምላኽ ኣምሓልክዎም። 26 በልኩውን፡ ሰሎሞን ንጉስ
እስራኤልሲ በዚ ነገር እዚዶ ኣይኮነን ዝበደለ፡ ብሓቂ ኣብ መንጎ ብዙሓት ኣህዛብ ከምኡ ዝበለ ንጉስ
ኣይነበረን። ኣብ ኣምላኹ ኸአ ፍትዊ ነበረ። ኣምላኽ ድማ ኣብ ልዕሊ ኹሎም እስራኤል ኣንገሶ። ግናኸ
ንእኡውን ጓኖት ኣንስቲ ናብ ሓጢኣት ኣስሓታኦ። 27 እዚ ኹሉ ዓብዩ ኽፍኣት ክትገብሩ፡ ጓኖት ኣንስቲ
ብምውሳድ ንኣምላኽና ኽትዕምጹዶ ብሓቂ ንኣኻትኩም ክንእዝዝ ኢና። 28 ሓደ ኻብ ደቂ ዮያዳዕ፡ ወዲ
ኤልያሺብ ሊቀ ኻህናት፡ ምስ ሳንባላጥ ሖሮናዊ ሕምነት ገበረ። ስለዚ ኸኣአ ካባይ ሰጎጕክዎ። 29 ክህነትን
ኪዳን ክህነትን ሌዋውያንን ስለ ዘርከሱ፡ ዎ ኣምላኸይ፡ ዘክሮም። 30 በዚ ኸምዚ ኻብ ኩሉ ጋሻ ነገር
ኣጽሬኽዎም። ነቲ ኣገልግሎት ካህናትን ሌዋውያንን ከአ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ሰስራሑ ብምትሓዝ
ኣቖምክዎ። 31 ብዛዕባ እቲ ንመስዋእቲ ዚኸውን ዕጨይትን ብዛዕባ በኹራትን በቲ እተመደበ ጊዜ
ኪቐረብ ኣዘዝኩ። 32 ዎ ኣምላኸይ፡ ንጽቡቕ ሕሰበለይ።

# መጽሓፍ ኣስቴር

## ምዕራፍ 1

[1] ኮነ ኸኣ፡ ብዘመን ኣሓሽዌሮስ፡ እዚ ኣሓሽዌሮስ እዚ፡ እቲ ኻብ ህንዲ ኽሳዕ ኢትዮጵያ ሚእትን ዕስራን
ሸብዓተን ሃገር ዝገዝኤ እዩ። [2] በቲ ዘመን እቲ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ኣብቲ ኣብ ኣደራሽ ሱሳን ዝነበረ ዝፋን
መንግስቱ ኾፍ ምስ በለ፡ [3] ብሳልሰይቲ ዓመት መንግስቱ ንኹሎም ሹማምቱን ንገላውኡን ንሰራዊት
ፋርስን ሜዶንን ነቶም ኣብ ቅድሚኡ ዝነበሩ ሹማምቲ ሃገራትን ከቡራቶምን ዓብዩ ምሳሕ ገበረሎም። [4]
ሽዑ ሃብቲ እቲ ኽቡር መንግስቱን ክብረት እቲ ብሉጽ ግርማኡን ንብዙሕ መዓልቲ፡ ሚእትን ሰማንያን
መዓልቲ ኣርኣዮም። [5] እዘን መዓልትታት እዚኤን ምስ ሓለፋ፡ እቲ ንጉስ ነቶም ኣብ ኣዳራሽ ሱሳን ዝነበሩ
ህዝቢ ኹላቶም፡ ካብ ዓብዩ ኽሳዕ ንእሽቶ ኣብ ማእከል መካበብያ ኣታኽልቲ ቤት ንጉስ ሸብዓተ
መዓልቲ ምሳሕ ገበረ። [6] ጻዕዳን ሓምላይን ሰማያውን መጋረጃታት፡ ብጻዕዳን ቀይሕን ገመድ ሃሪ
ተኣሲሩ፡ ብቐላብቲ ብሩር ተንጠልጢሉ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ብኣልባስጥሮስን ብጻዕዳ እምነ በረድን
ብሉልን ብጸሊም እምነ በረድን እተኸድነ ምድሪ ቤት፡ ኣብኡ መናብር ወርቅን ብሩርን ነበረ። [7] እቲ
መስቴታት ድማ ብኣቓሑ ወርቂ ኣቕረቡ፡ እቲ ኣቓሑ ኸኣ በብዓየነቱ ነበረ። ከም መጠን ልግሲ እቲ
ንጉስ ከኣ እቲ ወይኒ መንግስቲ ብዙሕ ነበረ። [8] ንጉስ ከኣ ንኹሎም እቶም መኻንንቲ ቤቱ ነፍሲ ወከፍ
ከከም ድሌቱ ደኣ ኺገብሩ እምበር፡ ንሓደ እኳ ግዲ ኸይብልዎ ኣዚዙ ነበረ እሞ፡ እቲ ምስታይ ከም እቲ
ሕጊ ነበረ። [9] እታ ንግስቲ ዋሽቲ ድማ ኣብ ቤት ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ነንስቲ ምሳሕ ገበረት። [10] ኣብ ሳብዐይቲ
መዓልቲ፡ ንጉስ ወይኒ ሰትዩ ልቡ ደስ ምስ በሎ፡ ንመሁማን፡ ቢዝታ፡ ሓርቦና፡ ቢግታ፡ ኣባግታን ዜታርን
ካርካስን እዞም ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኣሐሽዌሮስ ዜገልግሉ ሾብዓተ ስሉባቱ፡ [11] ንግስቲ ዋሽቲ፡ መልክዔኛ
ነበረት እሞ፡ መልክዓ ንህዝብን ንሺምማትን ከተርኢ፡ ዘውዲ ንጉስ ደፊኣ ናብ ቅድሚ ንጉስ ኬምጽእዋ
ኣዘዞም። [12] ንግስቲ ዋሽቲ ግና በቲ እቶም ስሉባት ዝነገርዋ ትእዛዝ ንጉስ ምምጻእ ኣበየት። ሽዑ እቲ
ንጉስ ኣዝዩ ኾረየ፡ ኲራኡ ኸኣ ነደደ። [13] ሽዑ እቲ ንጉስ ነቶም ናይ ዘመናት ነገር ዚፈልጡ ጠቢባን
ተዛረቦም፡ ናይ ንጉስ ነገርሲ ኣብ ቅድሚ ኹሎም ሕግን ፍርድን ዚፈልጡ ኽምዚ ይግበር ነይሩ እዩ። [14]
እቶም ናብ ጥቓኡ ዜቕርቡ ዝነበሩ ኸኣ፡ ካርሸና፡ ሴታር፡ ኣድማታ፡ ተርሺሽ፡ ሜረስ፡ ማርስና፡
ምውካን፡ እቶም ገጽ ንጉስ ዚርእዩ፡ ኣብታ መንግስቲ ኣብ ቅድሚት ዚቕመጡ ዝነበሩ ሾብዓተ ሹማምቲ
ፋርስን ሚዶንን እዮም። [15] ንንግስቲ ዋሽቲ፡ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ በቶም ስሉባቱ ገይሩ ዝኣዘዛ ስለ
ዘይገበረት፡ ከም መጠን ሕጊ እንታይ ይገበር፡ በሎም። [16] መሙካን ከኣ ኣብ ቅድሚ ንጉስን ሹማምትን፡
ንግስቲ ዋሽቲ ንሓለቓታትን ኣብ ግዝኣት ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ንዘለው ኹላቶም ህዝብታትን እምበር፡
ንንጉስ ጥራይ ኣይኮነትን ዝበደለት በለ። [17] እዚ ንግስቲ ዝገበረቶ ነገር ናብ ኩለን ኣንስቲ ኺወጽእ እዩ
እሞ፡ ሰብኡተን ኣብ ቅድሚኤን ንዒቐን፡ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ንንግስቲ ዋሽቲ ናብኡ ኬምጽእዋ ኣዘዘ፡
ግናኸ ኣይመጸትን፡ ኪብላ እየን። [18] ሎሚ ኸኣ ወዘራርዝ ፋርስን ሜዶንን ንግስቲ ዝገበረቶ ዘረባ ምስ
ሰምዓ፡ ንኹላቶም ሹማምቲ ንጉስ ከምኡ ኺብላኦም እየን እሞ፡ ብዙሕ ንዕቀትን ኩራን ኪኸውን እዩ።
[19] ንጉስ እንተ ደኣ ፈተዩስ ሓደ ንጉሳዊ ትእዛዝ ካብኡ ይውጻእ፡ ከይፈርስ ከኣ፡ ኣብ ሕጊ ፋርስን ሜዶንን
ይጸሓፍ። ደጊም ዋሽቲ ናብ ቅድሚ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ኣይትእቶ፡ ንጉስ ድማ መንግስታ ንኻልእ፡ ካብኣ
ንትሓይስ ይሀብ። [20] እቲ ኣዋጅ ንጉስ ኣብ ብዘላ እዛ ገፉሕ መንግስቱ ምስ ተሰምዔ ኸኣ፡ ኩላታን ኣንስቲ

ንሰባኡተን፡ ካብ ዓቡዩ ኽሳዕ ንእሽቶ፡ ክብሪ ኺህባኦም እየን። 21 እዚ ምኽሪ እዚ ድማ ንንጉስን
ሹማምትን ባህ ኣበሎም እሞ፡ እቲ ንጉስ ከምቲ ዘረባ መሙካን ገበረ። 22 ኣብ ኩሉን ሃገራት እቲ ንጉስ
ድማ ነንሃገር ከም ስርዓት ኣጻሓሕፋኡ፡ ነንህዝቢ ኸአ በብዘረባኡ ደብዳበ ሰደደ። በተን መልእኽትታት
ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ቤቱ ይምለኽ፡ ብዘረባ ህዝቡ ኸአ ይዛረብ።

# ምዕራፍ 2

1 ድሕርዚ ነገር እዚ ኹራ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ምስ ዘሐለ፡ ንዋሽትን ነቲ ዝገበረቶን ነቲ ዝፈረዳ ነገርን
ሐሰበ። 2 ሽው እቶም ዜገልግልዎ ዝነበሩ ገላው ንጉስ፡ ንንጉስ ጽቡቕ ዝመልክዔን ደናግል ኣዋልድ
ይድለዩሉ፡ በሉ። 3 እቲ ንጉስ መልክዔን ዝጸበቓ ኹለን ደናግል ኣዋልድ ናብ ኣደራሽ ሱሳን ናብ ቤት
ኣንስቲ ኣብ ኢድ ሄጋይ፡ እቲ ስሉብ ጊልያ ንጉስ ሓላው ኣንስቲ፡ ዚእክብወን ሹማምቲ ኣብ ኩሉ ግዝኣት
መንግስቱ የቐምጥ። ንምድላው ኤድሊ ኸአ ይወሀበን። 4 ንዓይኒ ንጉስ ባህ እተብል ጓል ድማ ኣብ ክንዲ
ዋሽቲ ትንገስ በሉ። እዚ ነገር እዚ ንንጉስ ደስ ኣበሎ እሞ፡ ከምኡ ገበረ። 5 ኣብ ኣደራሽ ሱሳን ሓደ
ማርዶካይ ዝስሙ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ነበረ፡ ንሱ ወዲ ያኢር፡ ወዲ ሽምዒ፡ ወዲ ቂስ፡ ካብ ደቂኣ ብንያም
ነበረ። 6 ንሱ ምስቶም ምስ ኢኮንያ ንጉስ ይሁዳ እተማረኹ ምሩኻት ነቡክዳነጸር ንጉስ ባቢሎን
ዝማረኾ፡ ካብ የሩሳሌም እተማረኸ ነበረ። 7 ኮነ ድማ። ንሃዳሳ ጓል ሓወቦኡ ኣዕብይዋ ነበረ፡ ንሳ ኸአ
ኣስቴር እያ። ኣቦን ኣደን ድማ ኣይነበርዋን። እታ ጓል እቲኣ ኸአ ኣዝያ መልክዔኛ ትርኢታ ድማ ጽብቕቲ
ነበረት። ኣቦኣን ኣዲኣን ምስ ሞቱ ኸአ፡ ማርዶካይ ከም ጓሉ ጌሩ ሒዝዋ ነበረ። 8 ኮነ ኸአ፡ ትእዛዝ ንጉስን
ፍርዱን ምስ ተሰምዔ፡ ኣብ ኢድ ሄጋይ ናይ ኣደራሽ ሱሳን፡ ብዙሓት ኣዋልድ ምስ ተእከባ ድማ፡
ንኣስቴር ኣብ ኢድ ሄጋይ ሓላው ኣንስቲ ናብ ቤት ንጉስ ኣምጽእዋ። 9 እታ ጓል ከአ ኣብ ዓይኑ ባህ
ኣበለቶ፡ ኣብ ቅድሚኡውን ሞገስ ረኸበት። ንሱ ድማ ንምድላዋ ዜድልያን ዚግብኣ ምግብን ካብ ቤት
ንጉስ እተመደበላ ሾብዓተ ኣግራድን ቀልጢፉ ሀባ። ንእኣን ነግራዳን ድማ ካብቲ ቤት ኣንስቲ ኣብ
ዝበለጸ ቤት ኣስፈራ። 10 ማርዶካይ፡ ኣይትንገሪ፡ ኢሉ ኣዚዝዎ ነበረ እሞ፡ ኣስቴር ህዝባን ወለዶኣን
ኣይነገረትን። 11 ማርዶካይ ከአ ንኣስቴር ደሓን ምህላዋን እንታይ ከም ዚገብርዋን ኪፈልጥ፡ ኩሉ
መዓልቲ ኣብ ቅድሚ መካበብያ ቤት ኣንስቲ ይመላለስ ነበረ። 12 ነንሓንቲ ጓል ናብ ንጉስ ኣሑሽዌሮስ
ክትኣቱ ታራኣ ምስ በጽሔ፡ ከም ስርዓት ኣንስቲ ዓሰርተው ክልተ ወርሒ ምስ ገበረት፡ ከምኡ
መዓልትታት ምድላወን ይመልኣ፡ ሽዱሽተ ወርሒ ብቕብኢ ኸርበ፡ ሽዱሽተ ወርሒ ድማ ብጥዑም ሽቱ፡
ንምድላው ኣንስቲ ብዜድሊ ኻልእ ከአ። 13 በዚ ኸምዚ ኸአ እታ ጓል ናብ ንጉስ ኣተወት፡ ዝደለየቶ ኹሉ
ድማ ምስኣ ኻብ ቤት ኣንስቲ ናብቲ ቤት ንጉስ ኪኣቱ ተዋህባ። 14 ንሳ ምሸት ትኸይድ ነበረት፡ ብጊሓት
ድማ ተመሊሳ፡ ኣብታ ኻልኣይቲ ቤት ኣስንቲ፡ ናብ ሻዕሽጋዝ፡ ናይ ንጉስ ስሉብ ሓላው ኣንስቲ ወሰኑ፡
ትኸይድ ነበረት። ንሳ ንጉስ ከየድለያን ብስማ ኸአ ከይጸውዓን፡ መሊሳ ናብ ንጉስ ኣይትኣቱን ነበረት። 15
ንኣስቴር ጓል ኣቢሓይል፡ ሓወቦ ማርዶካይ፡ ከም ጓሉ ዝሐዛ፡ ናብ ንጉስ ክትኣቱ ታራኣ ምስ በጽሔ፡
ብጀካ ሄጋይ፡ እቲ ናይ ንጉስ ስሉብ ሓላው ኣንስቲ፡ ዝበላ ኻልእ ኣይደለየትን። ኣስቴር ከአ ኣብ ዓይኒ
እቶም ዝረአይዋ ኩላቶም ተፈትወት። 16 ንኣስቴር ድማ ብዓስረይቲ ወርሒ፡ ንሳ ኸአ ወርሒ ጤቤት፡
ብሳብዐይቲ ዓመት መንግስቱ ኣብ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ፡ ናብ ቤት ንጉስ ወሰድዋ። 17 ንጉስ ድማ ንኣስቴር
ካብ ኩለን እተን ኣንስቲ ኣብሊጹ ፈተዋ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ኸአ ሐለፋ ኹለን እተን ደናግል ሞገስን
ፍቕርን ረኸበት። ኣብ ርእሳውን ዘውዲ መንግስቲ ደፍኣላ። ኣብ ክንዲ ዋሽቲ ድማ ኣንገሳ። 18 ሽው እቲ

ንጉስ ንሹማምቱን ንገላውኡን ዓብዩ ምሳሕ ገበረሎም። እቲ ምሳሕ እቲ ኸአ ስለ ኣስቴር ነበረ እሞ፡ ንሰብ እታ ሃገር ኣዕረፎም፡ ከም ልግስነት ንጉስ ከአ ህያባት ሀበ። 19 ብኻልይቲ ጊዜ ድማ ደናግል ምስ ዚእከባ፡ ማርዶካይ ኣብ ደገ ንጉስ ኮፍ ይብል ነበረ። 20 ኣስቴር ከምቲ ምስኡ ተዐቑባ ኸላ፡ ንትእዛዝ ማርዶካይ ትገብሮ ዝነበረት፡ ኣስቴር ከምቲ ማርዶካይ ዝአዘዛ፡ ወለደኣን ህዝባን ገና ኣይነገረትን ነበረት። 21 በተን መዓልትታት እቲኤን ከአ ማርዶካይ ኣብ ደገ ንጉስ ኮፍ ኢሉ ኸሎ፡ ቢግታንን ቴረሽን፡ ክልተ ናይ ንጉስ ስሉባት፡ ካብቶም ነቲ ደገ ዚሕልው ዝነበሩ፡ ንንጉስ ተቘጥዖ፡ ኣእዳዎም ናብ ልዕሊ ንጉስ ኣሐሸዌሮስ ኬልዕሉ ሓሰቡ። 22 እቲ ነገር ግና ኣብ ማርዶካይ ተፈልጠ፡ ንሱ ኸአ ንንግስቲ ኣስቴር ነገራ። ኣስቴር ድማ ብስም ማርዶካይ ንንጉስ ነገረቶ። 23 እቲ ዘረባ ኸአ ተመርመረ እሞ ሓቂ ኾይኑ ተረኸበ። ክልቲኦም ከአ ኣብ ጉንዲ ተሰቕሉ፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ድማ ኣብ መጽሓፍ ዜና መዋእል ተጻሕፈ።

# ምዕራፍ 3

1 ድሕሪ እዚ ነገር እዚ ንጉስ ኣሓሸዌሮስ ንሃማን፡ ወዲ ሃመዳታ እቲ ኣጋጋዊ፡ ክብ ኣበሎ ኣኽበሮውን፡ መንበሩ ድማ ኣብ ልዕሊ እቶም ምስኡ ዚነብሩ ኹላቶም ሹምማቲ ልዕል ኣበሎ። 2 እቶም ኣብ ደገ ንጉስ ዚቕመጡ ኹላቶም ገላው ንጉስ ንሃማን ፍግም ኢሎም ሰገደሉ፡ ከመይሲ ብዛዕባኡ ንጉስ ከምኡ ኢሉ ኣዚዙ ነበረ፡ ማርዶካይ ግና ፍግም ኢሉ ኣይሰገደሉን። 3 ሽዑ እቶም ኣብ ደገ ንጉስ ዚቕመጡ ዝነበሩ ገላው ንጉስ ንማርዶካይ፡ ስለምንታይ ኢኻ ንስኻ ትእዛዝ ንጉስ እተፍርስ፡ በልዎ። 4 ኮነ ኸአ፡ ንሳቶም መዓልቲ ንመዓልቲ ነጊሮምዎ ምስማዕ ምስ ኣበዮም፡ ኣይሁዳዊ ምዃኑ ነጊሮምዎ ምስማዕ ምስ ኣበዮም፡ ኣይሁዳዊ ምዃኑ ነጊሮምዎ ነበሩ እሞአ፡ ግብሪ ማርዶካይ ዚጸንዕ እንተ ኾይኑ ምእንቲ ኸርእዩ፡ ንሃማን ነገርዎ። 5 ሃማን ድማ ማርዶካይ ፍግም ኢሉ ኸም ዘይሰገደሉ ምስ ረአየ፡ ብቑጥዓ መልኤ። 6 ብዛዕባ ህዝቢ ማርዶካይ ምስ ነገርዎ ኸአ፡ ኢዱ ንማርዶካይ ጥራይ ኪዝርግሓሉ፡ ኣብ ዓይኑ እተናዕቀ ኾይኑ ተራእዮ፡ ስለዚ ሃማን ንህዝቢ ማርዶካይ፡ ነቶም ኣብ ዝበላ መንግስቲ ኣሓሸዌሮስ ዝነበሩ ኹላቶም ኣይሁድ ኬጥፍኦም ደለየ። 7 ብቐዳመይቲ ወርሒ፡ ንሳ ኸአ ወርሒ ኒሳን፡ ንመንግስቲ ኣሓሸዌሮስ ብመበል ዓሰርተው ክልተ ዓመቱ፡ ኣብ ቅድሚ ሃማን፡ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ፡ ካብ ወርሒ ንወርሒ፡ ክሳዕ ኣብ መበለ ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ንሳ ወርሒ ኣዳር፡ ጺር፡ እዚ ማለት ዕጭ ኣውድቑ። 8 ሃማን ድማ ንንጉስ ኣሓሸዌሮስ፡ ኣብ ማእከል እቶም ኣብ ኩለን ሃገራት መንግስትኻ ዘለው ኹሎም ህዝብታት ሓደ ፍሉይ ህዝቢ እተዘርዘረን ፋሕ ዝበለን ኣሎ። ሕጎም ከአ ካብ ኩሎም ህዝብታት ፍሉይ እዩ። ንሕጋጋት ንጉስውን ኣይሕልውን እዮም፡ ስለዚ ንጉስ ኪሓድጎም ኣይግባእን እዩ። 9 ንንጉስ ጽቡቕ እንተ ደአ መሰሎ፡ ኪጠፍእ ይጽሐፍ። ኣነ ድማ ብኢድ እቶም ዓየይቲ ናብ መዝገብ ንጉስ ኪአቱ ዓሰርተ ሽሕ ታለንት ብሩር ክመዝን እየ በለ። 10 ሽዑ ንጉስ ቀለቤቱ ኻብ ኢዱ ኣውጺኡ ንሃማን፡ ወዲ ሃመዳታ እቲ ኣጋጋዊ፡ ጸላእ ኣይሁድ ሀቦ። 11 ንጉስ ከአ ንሃማን፡ ጽቡቕ ኮይኑ እተራእየካ ኽትገብርስ፡ እቲ ብሩርን እቲ ህዝብን ንኣኻ ተዋሂቡ እዩ፡ በሎ። 12 ካብ ቀዳመይቲ ወርሒ ብመበል ዓሰርተው ስለስተ መዓልቲ ድማ እቶም ጸሓፍቲ ንጉስ ተጸውዑ፡ ከምቲ ሃማን ዝአዘዞ ኹሉ ኸአ ናብ ሹማምቲ ንጉስን ኣብ ሀሃገር ንዘለው ገዛእትን ኣብ ነናይ ህዝቢ ሓላቑን ነንሃገር ከከም ስርዓት ኣጻሕፉኡ፡ ነንህዝቢ ድማ በብቛንቛኡ ብስም ንጉስ ኣሓሸዌሮስ ተጻሕፈ፡ ብቐለበኢት ንጉስ ከአ ተሐትመ። 13 ብሓንቲ መዓልቲ ብመበል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ንሳ ወርሒ ኣዳር፡ ንኹላቶም ኣይሁድ፡ ነጉባዝን ኣረገውትን፡ ንሕጻናትን ኣንስትን። ኬጥፍእዎምን ኪቐትልዎምን ኪድምስስዎምን ገንዘቦም ከአ ኪዘምትዎምንሲ፡ ደብዳቤታት

ብቕልጡፋት ፈረሰኛታት ናብ ኲለን ሃገራት ንጉስ ሰደድዎ። [14] ነዛ መዓልቲ እዚኣ ተዳለዮም ኪጸንሑስ፡
ኣብ ኲለን ሃገራት እቲ ትእዛዝ ኪወሃብ፡ ንዅሎም ህዝብታት ቅዳሕ እቲ ጽሑፍ ተኣወጀ። [15] እቶም
ፈረሰኛታት ብትእዛዝ ንጉስ ቀልጢፎም ወጹ። እቲ ትእዛዝ ከኣ ኣብ ኣዳራሽ ሱሳን ተዋህበ። ንንጉስን
ሃማንን ድማ ኮፍ ኢሎም ይሰትዩ ነበሩ። እታ ኸተማ ሱሳን ግና ሰንበደት።

# ምዕራፍ 4

[1] ማርዶካይ ከኣ እተገብረ ኹሉ ነገር ምስ ፈለጠ፡ ማርዶካይ ክዳኑ ቐዲዱ ኽሊ ተኸድነ፡ ኣብ ርእሱውን
ሓሙኹሽቲ ነስነሰ፡ ናብ ማእከል እታ ኸተማ ወጺኡ ድማ ብብርቱዕን መሪርን ኣውያት ኣእወየ። [2] ክሊ
ተኸዲንካ ብደገ ንጉስ ምእታው ኣይግባእን ነበረ፡ ንሱ ግና ክሳዕ ቅድሚ ደገ ንጉስ መጸ። [3] ኣብ ኲለን
ሃገራት ቃል ንጉስን ትእዛዙን ኣብ ዝበጽሖ ዘበለ ቦታ ኸኣ፡ ኣብ ኣይሁድ ብርቱዕ ሓዘንን ጾምን
ብኽያትን ዋይዋይታን ኮነ። ብዙሓት ከኣ ክሊ ተኸዲኖምን ሓሙኹስቲ ነስኒሶምን ተቐሚጦም ነበሩ። [4]
ኣግራድ ኣስቴርን ስሉባን ድማ መጺኦም፡ እዚ ነገርዋ። ሽዑ እታ ንግስቲ ኣዝያ ጎሃየት፡ ንማርዶካይ ከኣ
ነቲ ኽሊ ኻብ ልዕሊኡ ኪወስዱ፡ ኢላ ክዳን ሰደደትሉ። ግናኸ ኣይተቐበላን። [5] ሽዑ ኣስቴር ንሃታክ
ጸውዓቶ፡ ንሱ ሓደ ኻብቶም ስሉባት፡ ንጉስ ኬገልግልዋ ኢሉ ዜቘመላ፡ ነበረ። እዚ እንታይ ምዃኑ
ስለምንታይውን ከም ዝኾነ ኺፈልጥ ናብ ማርዶካይ፡ ኪኸይድ ኣዘዘቶ። [6] ሃታክ ድማ ናብ ማርዶካይ፡
ናብታ ቅድሚ ደገ ንጉስ ዝነበረት ገፋሕ ቦታ እታ ኸተማ ወጸ። [7] ማርዶካይ ከኣ እቲ ዝመጾ ኹሉ ነገርን
ፍቕዲ እቲ ገንዘብ፡ ሃማን ንኣይሁድ ንምጥፋእ ኣብ መዝገብ ንጉስ ኬእትዎ ኢሉ ዝመዘኖን ነገሮ። [8] እቲ
ንኣይሁድ ንምጥፋእ ኣብ ሱሳን እተሓገ ናይቲ ትእዛዝ ሓደ ቕዳሕ ንኣስቴር ኬርእያን ኪነግራን ናብ
ንጉስ ክትኣቱ ኽእዝዛን፡ ንሳ ብዛዕባ ህዝባ ኽትልምኖ ድማ፡ ኪልምናን ኢሉ፡ ንእኡ ሀቦ። [9] ሃታክ ድማ
ናብ ኣስቴር መጺኡ፡ ዘረባ ማርዶካይ ነገራ። [10] ሽዑ ኣስቴር ንሃታክ ንማርዶካይ ከምዚ ኢሉ ኺነግሮ
ኣዘዘቶ፡ [11] ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ ኾነት ከየተጸውዔ ኣብቲ ውሽጣዊ መካበብያ ናብ ንጉስ ዝኣተወ
ኺመውት ሕጊ ኸም ዘሎ፡ ኲሎም ገላው ንጉስን ህዝቢ ሃገራት ንጉስን ይፈልጡ እዮም፡ እቲ ንጉስ እታ
ዘንጊ ወርቂ ዝዘርግሓሉ ጥራይ እዩ ዚድሕን። ኣነ ድማ ናብ ንጉስ ክኣቱ ኻብ ዘይጽዋዕ፡ እዚኣ መበል
ሰላሳ መዓልቲ እያ በለት። [12] ዘረባ ኣስቴር ከኣ ንማርዶካይ ነገርዎ። [13] ማርዶካይ ድማ ንኣስቴር መሊሶም
ከምዚ ኺብልዋ ለመኖም፡ ኣብ ቤት ንጉስ ስለ ዘሎኺ፡ ካብ ኲሎም ኣይሁድ ተፈሊኺ፡ ንባይንኺ
እድሕን ኢልኪ ብልብኺ ኣይትሕሰቢ። [14] በዚ ጊዜ እዚ ስቕ እንተ በልክስ፡ ንኣይሁድ ሓገዝን ሃራን ካብ
ካልእ ቦታ ኺመጽእ እዩ፡ ንስኽን ቤት ኣቦኽን ግና ክትጠፍኢ ኢኹም። ንስኺ ኸምዚ ንዝበለ እዋን ናብ
መንግስቲ መጺእኪ እንተ ኾንኪ፡ መን ይፈልጥ። [15] ሽዑ ኣስቴር ንማርዶካይ ከምዚ ኢሎም ኪመልሱሉ
ለመነቶም፡ [16] ኪድ እሞ፡ ኣብ ሱሳን እተረኽቡ ኹሎም ኣይሁድ ኣኪብካ ኽሳዕ ሰለስተ መዓልቲ፡ ለይትን
መዓልትን ከይበልካዕኩም ከይሰቴኹም ንኣይ ጹመለይ፡ ኣነ ድማ ምስ ኣግራደይ ከምኡ ኽጸውም እየ።
ሽዑ፡ ከም ሕጊ እኳ ዘይኮነ ኽነሱ፡ ናብ ንጉስ ክኣቱ እየ፡ እንተ ጠፋእኩ እጥፋእ። [17] ማርዶካይ ከኣ ኸደ፡
ከምቲ ኹሉ ኣስቴር ዝኣዘዘቶ ገበረ።

# ምዕራፍ 5

[1] ኮነ ድማ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ኣስቴር ልብሰ መንግስቲ ተኸድነት፡ ናብቲ ኣብ መንጽር ቤት ንጉስ

ዘሎ ውሽጣዊ መካበብያ ቤት ንጉስ ደው በለት። እቲ ንጉስ ከኣ ኣብ መንጽር ደገ ቤቱ፡ ኣብ ዝፋን
መንግስቱ ኣብ ቤተ መንግስቲ ኾፍ ኢሉ ነበረ። [2] ኮነ ኸኣ፡ እቲ ንጉስ ንግስቲ ኣስቴር ኣብቲ መካበብያ
ደው ኢላ ምስ ረኣያ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ሞገስ ረኸበት፡ እቲ ኣብ ኢዱ ዝነበረ ዘንጊ ወርቂ ድማ
ዘርግሓላ። ኣስቴር ከኣ ቀርባ ኢላ፡ ርእሲ ዘንጉ ተንከየት። [3] ሽዑ ንጉስ፡ ንግስቲ ኣስቴር፡ እንታይ ኰንኪ
ኢኺ፡ እንታይሲ ትደልዪ፡ ክሳዕ ፍርቂ መንግስተይ እኳ እንተ ኾይኑ ኪወሀበኪ እዩ፡ በላ። [4] ኣስቴር ከኣ፡
ንጉስ እንተ ደኣ ፈትዩስ፡ ናብቲ ኣዳለዮ ዘለኹ ምሳሕ፡ ንጉስ ምስ ሃማን ኾይኑ ሎሚ ይምጻእ በለቶ። [5]
እቲ ንጉስ ድማ፡ ኣስቴር ዝበለቶ ምእንቲ ኺግበርሲ፡ ንሃማን ቀልጢፍኩም ጸውዕዎ፡ በለ። ንጉስን
ሃማንን ድማ ናብቲ ኣስቴር ዘዳለወቶ ምሳሕ መጹ። [6] ነቲ ወይኒ ኺሰትዩ ኸለው፡ ንጉስ ንኣስቴር
ልማኖኺ እንታይ እዩ፡ ኪወሀበኪ እዩ፡ እንታይ እዩ ድላይኪ፡ ክሳዕ ፍርቂ መንግስቲ እንተ ኾነ እኳ፡
ይኹነልኪ እዩ፡ በላ። [7-8] ኣስቴር ከኣ፡ ኣብ ኣዒንቲ ንጉስ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበ፡ ንጉስ ከኣ ልማኖይ
ኪህበንን ድላየይ ኪገብርን ኣንተ ደኣ ፈትዩስ፡ ናብቲ ዝገበረሎም ምሳሕ፡ ንጉስ ምስ ሃምን ይምጻእ፡
ጽባሕ ድማ ከምቲ ንጉስ ዝበሎ ኽገብር እየ፡ ልማኖይን ድላየይን እዚ እዩ፡ ኢላ መለሰት። [9] በታ
መዓልቲ እቲኣ ድማ ሃማን ባህ ኢልዎ፡ ልቡ ኸኣ ተሓጒሱ ወጸ። ግናኸ ሃማን ንማርዶካይ ኣብ ደገ ንጉስ
ሓፍ ከየበለ ኻብኡውን ከይተነቓነቐ ኾፍ ኢሉ ምስ ረኣዮ፡ ኣብ ልዕሊ ማርዶካይ ቁጥዓ መልአ። [10]
ሃማን ግና ንርእሱ ዝግ ኣበለ። ናብ ቤቱ ምስ ኣተወ ኸኣ፡ ልኢኹ ንፈተውቱን ንዘረሽ ሰበይቱን
ኣምጽኦም። [11] ሃማን ከኣ ዕቤት ሃብቱን ብዝሒ ደቁን፡ ንጉስ ብኹሉ ኸመይ ገይሩ ኸም ዘዕበዮን ኣብ
ልዕሊ ሓላቑን ገላው ንጉስን ከብ ከም ዘበሎን ነገሮም። [12] ሃማን ድማ ወሲኹ በለ፡ ንግስቲ ኣስቴር ከኣ
ናብቲ ዝገበረቶ ምሳሕ ምስ ንጉስ ብጀካይ ኣይጸውዔትን። ንጽባሕ ድማ ምስ ንጉስ ተጸውዔ ኣሎኹ። [13]
እዚ ኹሉ ግና፡ ማርዶካይ እቲ ኣይሁዳዊ ኣብ ደገ ንጉስ ኮፍ ኢሉ ኽሳዕ ዝርእዮስ ባህ ኣይበለንን እዩ፡
በለ። [14] ሽዑ ዘረሽ ሰበይቱን እቶም ፈተውቱ ኹላቶምን ኮይኖም፡ ሓምሳ እመት ዝምንዋሑ ጉንዲ
ኣዳሉ፡ ማርዶካይ ኣብኡ ኺሰቀልሲ፡ ጽባሕ ንግሆ ንንጉስ ንገሮ። ድሕርቲ ምስ ንጉስ ናብቲ ምሳሕ ደስ
ኢሉካ ትኸይድ፡ በለቶ። እዚ ነገር ንሃማን ባህ ኣበሎ እሞ፡ ጉንዲ ኸም ዜዳልው ገበረ።

## ምዕራፍ 6

[1] እቲ ንጉስ በታ ለይቲ እቲኣ ድቃስ ዜልቦ ሓደረ፡ እቲ መጽሓፍ ዜና መዋእል መዘከርታ ኼምጽኣሉ ኸኣ
ኣዘዘ። ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉስ ከኣ ተነበበ። [2] እቶም ክልተ ናይ ንጉስ ስሉባት ኣጋፋርቲ ሕልፍኚ፡
ቢግታናን ተረሽን፡ ኢዶም ኣብ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ኪዝርግሑ ኸም ዝሐሰቡ፡ ማርዶካይ ከኣ ከም ዝነገሮ
ተጽሒፉ ተረኸበ። [3] ሽዑ ንጉስ፡ ንማርዶካይ ብዛዕባ እዚ ኸመይ ዝበለ ኽብረትን ዕቤትን ተገብረሉ፡
በለ። እቶም ዜገልግልዎ ዝነበሩ ገላው ንጉስ ድማ፡ ገለ ነገር እኳ ኣይተገብረሉን፡ በሉ። [4] እቲ ንጉስ ከኣ፡
ኣብ መካበብያ መን ኣሎ፡ በለ። ሃማን ንማርዶካይ ኣብቲ ንእኡ ዘዳለወሉ ጉንዲ ኺሰቕልዎ፡ ንንጉስ
ኪነግር ኢሉ፡ ናብቲ ወጻኢ መካበብያ ቤት ንጉስ ኣትዩ ነበረ። [5] እቶም ገላው ንጉስ ድማ፡ እንሆ፡ ሃማን
ኣብ መካበብያ ደው ኢሉ ኣሎ፡ በልዎ። ንጉስ ከኣ፡ ይእቶ በለ። [6] ሃማን ድማ ኣተወ። ንጉስ ከኣ፡ ንጉስ
ኬኽብሮ ንዝደለዮ ሰብ እንታይ ኺገብረሉ ይግባእ፡ በለ። ሃማን ድማ ብልቡ፡ ንጉስ ካብ ንኣይ ንመን
ኬኽብር ምፈተወ፡ ኢሉ ሐሰበ። [7] ሃማን ድማ ንንጉስ፡ ንጉስ ኬኽብሮ ንዝፈተዎ ሰብስ፡ [8] ንጉስ ዚኽደኖ
ልብስ መንግስቲ፡ ንጉስ ዚውጥሖ ፈረስ የምጽኡሉ፡ ኣብ ርእሱ ድማ ዘውዲ ንጉስ ይድፍኡሉ። [9] እቲ
ኽዳንን እቲ ፈረስን ከኣ ኣብ ኢድ ሓደ ኻብቶም ክቡራት ሹማምቲ ንጉስ ይወሀብ እሞ፡ ነቲ ንጉስ

ኬኽብሮ ዚደሊ ሰብ ድማ ይኽደንዎ፡ ኣብ ፈረስ ኣወጢሖምውን ብአደባባይ እታ ኸተማ የሕልፍዎ፡
ኣብ ቅድሚኡ ኸኣ፡ ነቲ ንጉስ ኬኽብሮ ዝደለዮ ሰብ ከምዚ ይግበረሉ፡ ኢሎም ኣዋጅ ኣወጁ በሉ። [10]
ሽዑ ንጉስ ንሃማን፡ ቀልጢፍካ ልብስን ፈረስን ውሰድ፡ ነቲ ኣብ ደገ ንጉስ ኮፍ ኢሉ ዘሎ ኣይሁዳዊ
ንማርዶካይ ከምቲ እተዛረብካዮ ኸምኡ ግበረሉ። ካብዚ ዝበልካዮ ሓደ እኳ ኣይጐደል፡ በለ። [11] ሃማን
ድማ እቲ ኽዳንን እቲ ፈረስን ወሰደ። ንማርዶካይ ድማ ኸደኖ፡ ናብ ፈረስውን ኣወጥሖ፡ ኣብ ኣደባባይ
እታ ኸተማ ድማ ኣብ ቅድሚኡ፡ ንጉስ ኬኽብሮ ንዝደለየ ሰብ ከምዚ ይግበረሉ፡ እናበለ ኣዋጅ ነገረ። [12]
ማርዶካይ ድማ ናብ ደገ ንጉስ ተመልሰ፡ ሃማን ግና ጉህዩ ርእሱ ተጐልቢቡ ቀልጢፉ ናብ ቤቱ ኸደ። [13]
ሃማን ከኣ እቲ ዝወረዶ ኹሉ ንዘረሸ ሰበይቱን ንኹሎም ፈተውቱን ኣዘንተወሎም። እቶም ጠቢባኑን
ዘረሸ ሰበይቱን ድማ፡ ማርዶካይ እቲ ኣብ ቅድሚኡ ኽትወድቕ ጀሚርካ ዘሎኻ፡ ካብ ዘርኢ ኣይሁድ
እንተ ደአ ኾይኑ፡ ፈጺምካ ኣብ ቅድሚኡ ኽትወድቕ ኢኻ እምበር፡ ንእኡስ ገለ ኽትገብሮ ኣይትኽእልን
ኢኻ በልዎ። [14] ገና ንሳቶም ምስኡ ኺዛረቡ ኸለው፡ እቶም ናይ ንጉስ ስሉባት መጹ፡ ንሃማን ናብቲ
ኣስቴር ዘዳለወቶ ምሳሕ ኬምጽእዎ ሀወኽዎ።

## ምዕራፍ 7

[1] ንንጉስ ሃማንን ከኣ ኪሰትዩ ናብ ንግስቲ ኣስቴር መጹ። [2] በታ ኻልአይቲ መዓልቲ ወይኒ ኺሰትዩ
ኸለው ድማ ንጉስ ንኣስቴር መሊሱ፡ ዎ ንግስቲ ኣስቴር፡ ልማኖኺ እንታይ እዩ ከሳዕ ፍርቂ መንግስቲ
እኳ እንተ ኾነ፡ ይኹነልኪ እዩ፡ በላ። [3] ሽዑ ንግስቲ ኣስቴር መሊሳ፡ ዎ ንጉስ ኣብ ኣዒንትኻ ሞገስ እንተ
ደአ ረኺበ፡ ንጉስ ከኣ እንተ ፈቲዩ፡ ህይወተይ ብልማኖይ ህዝበይ ከኣ ብድላየይ ይወሃበኒ። [4] ኣነን
ህዝበይን ንምጥፋእን ንምሕራድን ንምድምሳስን ተሸጥና። ንባርነትን ንግርድነትን ተሸኢጥና እንተ
ንኸውንሲ፡ ስቕ ምበለኩ። ሕጂ ግና እቲ ጸላኢ እቲ ንንጉስ ዚገብሮ ጉድኣት ኪጣጣእ ኣይኽእልን እዩ
ብለት። [5] ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ንንግስቲ ኣስቴር፡ እቲ ነዚ ኺገብር ልቡ ዝመልኤ መን እዩ፡ ንሱስ ኣበይ
ኣሎ፡ በላ። [6] ኣስቴር ከኣ፡ እቲ ተጻራርን ጸላእንሲ እዚ ሕሱም ሃማን እዩ፡ በለት። ሽዑ ሃማን ኣብ ቅድሚ
ንጉስን ንግስትን ራዕራዕ በለ። [7] ንጉስ ካብቲ ወይኒ ዚሰትየሉ ዝነበረ ብቑጥዓ ተንሲኡ፡ ናብ ኣታኽልቲ
እቲ ኣደራሽ ከደ። ሃማን ግና፡ ካብ ንጉስ መከራ ኸም እተመደበሉ ርእዩ ነበረ እሞ፡ ህይወቱ ኽትምሕሮ
ንንግስቲ ኣስቴር ኪልምን ደው በለ። [8] እቲ ንጉስ ከኣ ኻብቲ ኣታኽልቲ ኣደራሽ ናብቲ ወይኒ ዚሰትዩሉ
ዝነበሩ ቤት ምስ ተመልሰ፡ ሃማን ናብ ልዕሊ እቲ ኣስቴር ዘላቶ ዓራት ወዲቑ ነበረ። ሽዑ እቲ ንጉስ፡
ድማዶ ኣብ ቤተይ ኣብ ቅድመይ ንንግስቲ ኽዕምጻ ደልዩ በለ። እዚ ቓል እዚ ኻብ ኣፍ ንጉስ ምስ ወጸ፡
ንሃማን ገጹ ሸፈንዎ። [9] ሓርቦና፡ ሓደ ኻብቶም ስሉባት ድማ ኣብ ቅድሚ ንጉስ፡ ሃማን ንማርዶካይ፡ ነቲ
ንንጉስ ጽቡቕ እተዛረበሉ፡ ኢሉ ዘዳለዎ ሓምሳ እመት ዝምንዋሑ ጉንዲ፡ እንሆ፡ ኣብ ቤት ሃማን ደው
ኢሉ ኣሎ፡ በለ። ንጉስ ከኣ፡ ንእኡ ናብኡ ስቐልዎ በለ። [10] ከምዚ ንሃማን ኣብቲ ንማርዶካይ ኢሉ ዘዳለዎ
ጉንዲ ሰቐልዎ። ሽዑ ቑጣ ንጉስ ዘሐለ።

## ምዕራፍ 8

[1] በታ መዓልቲ እቲኣ፡ ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ቤት ሃማን እቲ ጸላኢ ኣይሁድ ንንግስቲ ኣስቴር ሀባ። ኣስቴር
ንሱ ንእኣ እንታይ ምዃኑ ነገረቶ እሞ፡ ማርዶካይ ናብ ቅድሚ ግ ንጉስ ኣተወ። [2] ንጉስ ድማ ነቲ ኻብ

ሃማን ዝወሰዶ ቐልቤቱ ኣውጺኡ ንማርካዶይ ሀቦ። ኣስቴር ድማ ንማርዶካይ ኣብ ልዕሊ ቤት ሃማን
ሸሙቶ። [3] ኣስቴር ድማ ከም ብሓድሽ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ተዛረበት፡ ክፍኣት ሃማን ኣጋጋዊ ኣብ ልዕሊ
ኣይሁድ እተጣበቦ ጥበቡ ምእንቲ ኼፍርስ ከአ፡ ኣብ እግሩ ወዲቓ እነበኸየት ለመነቶ። [4] ሽዑ እቲ ንጉስ
ንኣስቴር እታ ዘንጊ ወርቂ ዘርግሓላ። ኣስቴር ከአ ተንሲኣ፡ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ደው በለት፡ [5] በለት ከአ፡
ንጉስ እንተ ደአ ፈትዩስ፡ ኣብ ቅድሚኡውን ሞገስ እንተ ረኺበ፡ እዚ ነገር እዚ ኸአ ኣብ ቅድሚ ንጉስ
ጽቡቕ ኮይኑ እንተ ተራእየ፡ ኣነ ድማ ኣብ ኣዒንቱ ፍትውቲ እንተ ኾይነ፡ ሃማን፡ ወዲ ሃመዳታ እቲ
ኣጋጋዊ ነቶም ኣብ ኩሉ ሃገራት ንጉስ ዘለው ኣይሁድ ኬጥፍእ ኣሚሙ ዝጸሐፈን ደብዳቤታት ኪልወጣ
ይጸሓፍ። [6] ኣነ ኸመይ ገይረ እቲ ናብ ህዝበይ ዚመጽእ መከራ ኽርኢ እኽእል፡ በለት። [7] ሽዑ ንጉስ
ኣሓሽዌሮስ ንንግስቲ ኣስቴርን ንማርዶካይ ኣይሁዳውን፡ እንሆ ቤት ሃማን ንኣስቴር ሂበያ ኣሎኹ፡ ንእኡ
ድማ፡ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኣይሁድ ስለ ዝዘርግሔ፡ ናብ ጉንዲ ሰቐልዎ። [8] እቲ ብስም ንጉስ እተጻሕፈን
ብቐለቤት ንጉስ እተሐትመን ኣይልወጥን እዩ እሞ፡ ሕጂ ኸአ ንስኻትኩም ብዛዕባ ኣይሁድ ንኣኻትኩም
ቅኑዕ ኮይኑ እተራእየኩም ብስም ንጉስ ጽሐፉ፡ ብቐለቤት ንጉስ ከአ ሕተምዎ በለ። [9] በታ ጊዜ እቲኣ
ብሳልሰይቲ ወርሒ፡ ንሳ ኸአ ወርሒ ሲዋን፡ ብመበል ዕስራን ሰለስተን መዓልቲ እቶም ጸሓፍቲ ንጉስ
ተጸውዑ። ከምቲ ማርዶካይ ዝአዘዞ ኹሉ ዘረባ፡ ናይ ኣይሁድን ናብ ሹማምትን ናብ ገዛእትን ናብቶም
ሓላቑ ሃገራትን፡ ካብ ህንዲ ኽሳዕ ኢትዮጵያ፡ ሚእትን ዕስራን ሾብዓተን ሃገር፡ በብሃገር ከከም
ኣጸሓሕፋኡ፡ ሄህዝቢ ኸአ በብዘረባኡ፡ ንኣይሁድ ድማ ከም ኣጸሓሕፍኦምን ከም ዘረባኦምን
ጸሐፈሎም። [10] ብስም ንጉስ ኣሓሽዌሮስ ከአ ጸሐፎ፡ በቀለቤት ንጉስ ድማ ሐተሞ። ነዚ መልእኽቲውን
ኣብ ፈጣን ፈረስን ኣብ ሰጋራት ኣባቕልን ኣብ ባዝራ ፈረስን እተወጥሑ ገይሩ ሰደዶ። [11] ኣብኡ እቲ ንጉስ
ነቶም ኣብ ኩለን ከተማታት ዘለው ኣይሁድ ኪእከቡ እሞ ንህይወቶም ኪከላኸሉላ፡ ነቶም ሓደጋ
ዚወድቅዎም ናይ ኩሉ ህዝብን ሃገርን ሰራዊት ምስናይ ሕጻናቶምን ኣንስቶምን ኬጥፍእዎምን
ኪቐትልዎምን ኪድምስስዎምን ገንዘቦም ኪዘምቱን ፈቐደሎም። [12] ብሓንቲ መዓልቲ፡ ኣብ ኩለን ሃገራት
ንጉስ ኣሓሽዌሮስ፡ በመብል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ንሳ ወርሒ ኣዳር እያ፡ ብመበል ዓሰርተው ሰለስተ
መዓልቲ። [13] ኣይሁድ ከአ በዛ መዓልቲ እዚኣ ንጸላእቶም ሕነ ኺፈድዩ ኺዳለውስ፡ ቅዳሕ እቲ ጽሕፈት
ኣብ ኩለን ሃገራት ትእዛዝ ክወሀብ፡ ንኹሎም ህዝብታት ተነግረ። [14] እቶም ኣፍራስን ኣባቕልን እተወጥሐ
ፈጣናይ ልኡኻት ብትእዛዝ ንጉስ ብሃወኽ ወጹ፡ እቲ ትእዛዝ ድማ ኣብ ኣደራሽ ሱሳን ተወህበ። [15]
ማርዶካይ ድማ ሰማያውን ጻዕዳን ልብሰ መንግስቲ ተኸዲኑ፡ ዓብዩ ዘውዲ ወርቂ ኣብ ርእሱ ደፊኡ፡
ብልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ ቐይሕን ጻዕዳን ተወንዚፉ፡፡ ካብ ቅድሚ ንጉስ ወጸ። ከተማ ሱሳን
ከአ እልል እነበለት ተሐጎሰት። [16] ንኣይሁድ ብርሃንን ሓጎስን ደስታን ክብረትን ኮነ። [17] ኣብ ኩለን
ሃገራትን ኣብ ኩለን ከተማታትን ቃል ንጉስን ትእዛዙን ናብ ዝበጽሖ ዘበለ ቦታ ንኣይሁድ ሓጎስን ደስታን
መብልዕን መስተን ጽቡቕ መዓልትን ኮነ። ካብ ህዝብታት እታ ምድሪ ኸአ፡ ፍርሃት ኣይሁድ ስለ
ዝወደቖም፡ ብዙሓት ኣይሁድ ኮኑ።

# ምዕራፍ 9

[1] ካብ መበል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ንሳ ኸአ ወርሒ ኣዳር፡ ብመበል ዓሰርተው ሰለስተ መዓልቲ፡
እቲ ቓል ንጉስን ትእዛዙን ዚፍጸመሉ መዓልቲ፡ እቶም ጸላእቲ ኣይሁድ ኣብ ልዕሊኦም ኪስልጥኑ ተስፋ
ዚገብሩላ ዝነበሩ መዓልቲ፡ ብእኣ እቶም ኣይሁድ ደአ ኣብ ልዕሊ ጸላእቶም ኪስልጥኑ፡ እቲ ነገር

ተለወጠ። 2 እቶም ኣይሁድ ኣብ ኩለን ሃገራት ንጉስ ኣሓሸዌሮስ፡ ናብቶም ክፉእ ኪገብርዎም ዚደልዩ
ዝነበሩ ኢዶም ክዝርግሑ፡ ናብ ከተማታቶም ተኣከቡ፡ ፍርሃቶም ከኣ ኣብ ኩሎም ህዝብታት ወዲቑ
ነበረ እሞ፡ ሰብ ናብ ቅድሚኦም ደው ኪብል ኣይከኣለን። 3 ፍርሃት ማርዶካይ ድማ ኣብ ልዕሊኦም
ወዲቑ ነበረ እሞ፡ ኩሎም ሹማምቲ እተን ሀገራትን መኳንንትን ራእስታትን ኩላቶም ዕዮ ንጉስ ዚዐዩን
ንኣይሁድ ሐገዙ። 4 ማርዶካይ ኣብ ቤት ንጉስ ዓብዩ ነበረ እሞ፡ ወሪኡ ናብ ኩለን ሃገራት ወጸ። እዚ ሰብ
እዚ ማርዶካይ እዚ እናዐበየ ኸደ። 5 ኣይሁድ ንኹላቶም ጸላእቶም ብስሕለት ሴፍ ወቒዖም ቀተልዎም፡
ኣጥፍእዎምውን። ንኹላቶም ጸላእቶም ከም ዝደለዩ ገበርዎም። 6 ኣብ ኣደራሽ ሱሳን እቶም ኣይሁድ
ንሓሙሽተ ሚእቲ ሰብ ቀቲሎም ኣጥፍእዎም። 7 ጳርሻን ዳታን ደልፎንን ኣስጳታን፡ 8 ጳራታን ኣዳልያን
ኣሪዳታን፡ 9 ጳርማሽታን ኣሪሳይን ኣሪዳይን ዋይዛታን፡ 10 ነቶም ዓሰርተ ደቂ ሃማን፡ ወዲ ሃመዳታ ጸላኢ
ኣይሁድ ቀተልዎም፡ ኣብቲ ምርኮ ግና ኣእዳዎም ኣይዘርግሑን። 11 በታ መዓልቲ እቲኣ ቑጽሪ እቶም ኣብ
ኣደራሽ ሱሳን እተቐትሉ ናብ ቅድሚ ንጉስ መጸ። 12 ንጉስ ድማ ንንግስቲ ኣስቴ፡ ኣይሁድሲ ኣብ ኣደራሽ
ሱሳን ሓሙሽተ ሚእቲ ሰባት ነቶም ዓሰርተ ደቂ ሃማንን ሐረድዎምን ኣጥፍእዎምን፡ ኣብተን ካልኦት
ሃገራት ንጉስ ደኣ ኸምይ ገይሮም ይኾኑ፡ ሕጂኸ እንታይ እዩ ልማኖኺ፡ ኪወሀበኪ እዩ፡ እንታይከ እዩ
ድላይኪ፡ ኪኾነልኪ እዩ፡ በላ። 13 ሽዑ ኣስቴር፡ ንጉስ እንተ ደኣ ፈትዩስ፡ ነቶም ኣብ ሱሳን ዘለው
ኣይሁድ፡ ጽባሕ ድማ ከምዚ ናይ ሎሚ ዝበለ ትእዛዝ ኪገብሩ፡ እቶም ዓሰርተ ደቂ ሃማን ድማ ኣብ
ጉንዲ ኺሰቀሉ፡ ፍቓድ ይወሀብ፡ በለት። 14 ንጉስ ከኣ፡ ከምኡ ይገበር በለ። እቲ ትእዛዝ ድማ ኣብ ሱሳን
ተዋህበ እሞ፡ እቶም ዓሰርተ ደቂ ሃማን ኣብ ጉንዲ ተሰቕሉ። 15 እቶም ኣብ ሱሳን ዝነበሩ ኣይሁድ ኣብ
ወርሒ ኣዳር ብመበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ተኣከቡ፡ ኣብ ሱሳን ሰለስተ ሚእቲ ሰብ ቀተሉ፡ ኣብ
ምርኮ ግና ኣእዳዎም ኣይዘርግሑን። 16 እቶም ኣብተን ሃገራት ንጉስ ዝነበሩ ኻልኦት ኣይሁድ ድማ
ተኣኪቦም ንህይወቶም ተኸላኸሉላ እሞ፡ ካብ ጸላእቶም ዕረፍቲ ረኸቡ። ካብቶም ዚጸልእዎም ድማ
ሰብዓን ሓሙሽተን ሽሕ ቀተሉ። ኣእዳዎም ግና ኣብ ምርኮ ኣይዘርግሑን። 17 እዚ ኣብ ወርሒ ኣዳር
ብመበል ዓሰርተው ሰለስተ መዓልቲ ግና ዐረፉ፡ መዓልቲ መስተን ሓጎስን ከኣ ገበርዋ። 18 እቶም ኣብ
ሱሳን ዝነበሩ ኣይሁድ ግና፡ ኣብታ ወርሒ እቲኣ ብመበል ዓሰርትው ሰለስተን ዓሰርተው ኣርባዕተን
መዓልቲ ተኣከቡ። ብመበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ ኸኣ ዐረፉ። ንእኣ መዓልቲ መስተን ሓጎስን
ገበርዋ። 19 ስለዚ እቶም ኣብ ዓድታትን ኣብ ዘይትዐርዳ ኸተማታትን ዚነብሩ ኣይሁድ ብወርሒ ኣዳር
ብመበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ናይ ሓጎስን መስተን ጽብቕቲ መዓልቲ የብዕሉ፡ ንሓድሕዶም ከኣ
ህያብ ይለኣኣኹ ኣለው። 20 ማርዶካይ ድማ ነዚ ነገር እዚ ጽሒፉ ኣብ ኩለን ሃገራት ንጉስ ኣሓሸዌሮስ፡
ኣብ ቀረባን ኣብ ርሑቕን ናብ ዘለው ኹላቶም ኣይሁድ ደብዳቤታት ሰደደ። 21 ኣብ ወርሒ ኣዳር፡ መበል
ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልትን ብመበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልትን ኣብ ዐዐመት ኬብዕልወን
ኣዘዞም። 22 እተን ኣይሁድ ካብ ጸላእቶም ዝዐረፉለን መዓልትታት፡ በዛ ወርሒ እዚኣ ጭንቆም ኣብ
ሓጎስ፡ ሐዘኖም ድማ ኣብ ጽቡቕ መዓልቲ እተለወጠሉ፡ ነተን መዓልትታት እቲኤን መዓልትታት
መስተን ሓጎስን ኪገብርወን፡ ንሓድሕሶም ከኣ ህያባት ኪላኣኣኹ፡ ንድኻታት ድማ ምጽዋት ኪምጽውቱ
ሐገገሎም። 23 እቶም ኣይሁድ ድማ ነቲ ዝጀመርዎን ነቲ ማርዶካይ ዝጸሐፈሎምን ኪገብርዎ ተቐበልዎ።
24 ሃማን፡ ወዲ ሃመዳታ እቲ ኣጋጋዊ፡ ጸላኢ ኩላቶም ኣይሁድ፡ ንኣይሁድ ኬጥፍኦም ኢሉ
ተተናኸሎሎም፡ ኪድምሶሶን ኬጥፍኦምን ከኣጹር ማለት ዕጭ ኣውደቐሎም። 25 እዚ ኣብ ቅድሚ ንጉስ
ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ብደብዳበ ገይሩ እቲ ሃማን ንኣይሁድ እተተናኸሎሎም ሕሱም ተንኮል ኣብ ርእሱ
ይመለስ፡ ንሱን ደቁን ድማ ኣብ ጉንዲ ይሰቐሉ፡ ኢሉ ኣዘዘ። 26 ስለዚ እዘን መዓልትታት እዚኤን፡ ከምቲ

ስም ጽር ጽኡሪም ኢሎም ሰመይወን። እምበርኣርሲ ኸምቲ ኣብዛ መልእኽቲ እዚኣ እተጻሕፈ ኹሉ ቓላትን፡ ከምቲ ብዛዕባ እዚ ነገር እዚ ዝረአይዎን፡ ከምቲ ዝረኸቦም ኩሉን፡ [27] እቶም ኣይሁድ ንርእሶምን ንዘርኦምን ንኹሉ ናባታቶም እተጸግዔን እዘን ክልተ መዓልቲ እዚኤን፡ ከምቲ ተጽሒፉ ዘሎ፡ በብእዋኑ በብዓመቱን ከየዝበሉ ኼብዕሉ ተቐቢሎም ኣጽንዕዎ። [28] እዘን መዓልትታት እዚኤን ኣብ ኩሉ ወለዶታት ኣብ በብዓሌቱን ኣብ ሀሃገርን ኣብ ከከተማኡን ኪዝከራን ኪባዐላን፡ እዘን መዓልትታት ጽሪም እዚኤን ኣብ ማእከል ኣይሁድ ምብዓለን ኣይኪተርፍን ዝኸረን ድማ ካብ ዘርኦም ከቶ ኣይኪጠፍእን እዩ። [29] ንግስቲ ኣስቴር ጓል ኣቢሓይልን ማርዶካይ ኣይሁዳውን፡ እታ ብዛዕባ ጺሪም እተዛረብ፡ ካልኣይቲ ደብዳበ ብምሉእ ሓይሎም ኬጽንዕዋ ኢሎም ጸሐፉ። [30] ነተን ደብዳቤታትን ናብ ኩላቶም ኣይሁድ፡ ናብተን ሚእትን ዕስራን ሾብዓተን ሃገር መንግስቲ ኣሓሽዌሮስ፡ ብዘረባ ሰላምን እምነት ገይሩ፡ ዝለኣኸንሲ፡ [31] እዘን መዓልትታት ጺሪም፡ ከምቲ ማርዶካይ ኣይሁዳውን ንግስቲ ኣስቴርን ዝሐገግዎ፡ ኣብቲ እተመደበለን ጊዜ ኽጸንዓ፡ ከምቲ ንርእሶምን ንዘርኦምን ብናይ ጾምን ምህልላን ዝሰርዕዎ ኸኣ ኺጸንዕ ኢሉ እዩ። [32] በዚ ኸምዚ ትእዛዝ ኣስቴር ነዚ ናይ ጽሪም ነገር ኣጽንዖ። እዚ ኸኣ ኣብ መጽሓፍ ተጻሕፈ።

## ምዕራፍ 10

[1] ንጉስ ኣሓሸዌሮስ ከኣ ኣብታ ምድርን ኣብ ደሴታት ባሕርን ግብሪ ኣውደቐ። [2] ናይ ሓይሉን ናይ ጅግንነቱን ኩሉ ግብሪ ንጉስ ንማርዶካይ ከመይ ገይሩ ኸም ዘዕበዮ፡ ምሉእ ዛንታ ዕቤቱ ኣብ መጽሓፍ ዛንታ ዘመን ነገስታት ሜዶንን ፋርስን ተጽሒፉዶ ኣየሎን፡ [3] ማርዶካይ እቲ ኣይሁዳዊ ንንጉስ ኣሓሸዊሮስ ካልኣዩ ነበረ እሞ፡ ኣብ ኣይሁድ ክቡር፡ በቶም ብዙሓት ኣሕዋቱ ኸኣ ፍትዊ፡ ንህዝቡ ጽቡቕ ደለየ፡ ንኹላቶም ዘርኡ ደሓኖም ተዛረበ።

# መጽሓፍ ኢዮብ

## ምዕራፍ 1

1 ኣብ ምድሪ ኡጽ እዮብ ዚበሀል ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ፍጹምን ቅኑዕን ንኣምላኽ ዚፈርህን ካብ ክፉእ
ዝረሐቐን ሰብኣይ ነበረ። 2 ንሱ ሾብዓተ ኣወዳትን ሰለስተ ኣዋልድን ተወሊዶምሉ ነበሩ። 3 ጥሪቱ ድማ
ሾብዓተ ሽሕ በጊዕ፡ ሰለስተ ሽሕ ገመል፡ ሓሙሽተ ሽሕ ጽምዲ ብዕራይ፡ ሓሙሽተ ሚእቲ ውላድ ኣድጊ
ነበረ፡ ብዙሓት ግዙኣትውን ነበርዎ። እዚ ሰብኣይ እዚ ኻብ ኵሎም ሰብ ምብራቕ ዚበልጽ ዓብዪ ነበረ።
4 እቶም ደቁ ድማ፡ በብታራኦም እናተዓዳደሙ፡ ሓደ መዓልቲ ኣብ ቤት እቲ ሓደ፡ ካልኣይ መዓልቲውን
ኣብ ቤት እቲ ኻልእ ይምስሑ ነበሩ። ነተን ሰለስተ ኣሓቶም ከኣ፡ ምእንቲ ምሳታቶም ኪበልዓን
ኪሰትያን፡ ይጽውዕወን ነበሩ። 5 እተን ንምሳሕ ዚእከቡለን መዓልትታት ምስ ሐለፋ ኸኣ፡ እዮብ ልኢኹ
ይቕድሶም ነበረ። ኣንጊሁ ተንሲኡ ድማ ብቑጽሪ ነፍሲ ወከፎም መስዋእቲ ምሕራር የዕርግ ነበረ።
እዮብ፡ እዞም ደቀይ ምናልባሽ በዲሎም፡ ንኣምላኽ ከኣ ብልቦም ክሒዶም ይኾኑ፡ ኢሉ ነበረ እሞ፡
ኵሉ ጊዜ ኸምዚ ይገብር ነበረ። 6 ሓደ መዓልቲ ግና ኾነ፡ እቶም ደቂ ኣምላኽ መጺኦም ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ቈሙ። ሰይጣን ከኣ ኣብ ማእከሎም መጸ። 7 ሽው እግዚኣብሄር ንሰይጣን፡ ካባይ መጺእካ
በሎ። ሰይጣን ድማ፡ ንምድሪ ዘይረያን ተመላሊሰያን መጻእኩ፡ ኢሉ ንእግዚኣብሄር መለሰሉ። 8
እግዚኣብሄር ከኣ ንሰይጣን፡ ከም እዮብ ገይሩ ንኣምላኽ ዚፈርህን ካብ ክፉእ ዚርሕቕን ፍጹምን ቅኑዕን
ሰብ ኣብ ምድሪ የልቦን እሞ፡ ንባርያይ እዮብስ ኣስተብሂልካዮዶ በሎ። 9 ሰይጣን ከኣ ንእግዚኣብሄር
መለሰሉ በሎውን፡ እዮብ ንኣምላኽ ዚፈርሆስ ብኸምኡ ድዩ 10 ንስኻ ንእኡ ምስ ቤቱን ኣብ ዙርያኡ
ዘለዎ ኹሉንዶ ሐጺርካዮ ኣየሎኻን ንተግባር ኢዱ ባረኽካዮ፡ ጥሪቱ ድማ ንምድሪ መሊእዎ ኣሎ። 11
ግናኸ፡ ኣብታ ገጽካ እንተ ዘይክሒዱካስ፡ ኢድካ ዘርጊሕካ ደሞ ንኹሉ ጥሪቱ ሃሰስ ኣይትብሎን፡ ኢሉ
መለሰሉ። 12 ሽው እግዚኣብሄር ንሰይጣን፡ በሎ እስኪ፡ ሓንትስ ናብኡ ደኣ ኢድካ ኣይትዘርግሕ እምበር፡
ዘለዎ ኹሉ ኣብ ኣድካ ሂበካ እኔኹ፡ በሎ። ሰይጣን ከኣ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ወጸ። 13 ኮነ ድማ፡ ሓደ
መዓልቲ እቶም ኣወዳቱን ኣዋልዱን ኣብ ቤት እቲ ዓብዪ ሓዎም ኪበልዑን ወይኒ ኺሰትዩን ከለው፡ 14
መእወዪ ናብ እዮብ መጺኡ፡ እቶም ኣብዑር ይሕረሱ፡ እተን ኣእዱግ ድማ ኣብ ጥቓኣቶም ይበልዓ
ነበራ፡ 15 ሽው ሰብ ሳባ መጺኦም ዘሚቶምዎም። ነቶም ግዙኣት ብስሕለት ሴፍ ቀቲሎምዎም። ኣነ በይነይ
ጥራይ እየ ነዚኣ ኽነግረካ ዘምለጥኩ፡ በሎ። 16 እዚ ገና ኺዛረብ ከሎ ኸኣ፡ ካልእ መጺኡ፡ ናይ ኣምላኽ
ሓዊ ኻብ ሰማይ ወሪዳ፡ ነተን ጤለ በጊዕን ንግዙኣትን ኣንደደቶምን በልዓቶምን። ኣነ በይነይ ጥራይ እየ
ነዚኣ ኽነግረካ ዘምላጥኩ፡ በሎ። 17 እዚ ገና ኺዛረብ ከሎ ኸኣ፡ ካልእ መጺኡ፡ ከልዳውያን ብሰለስተ
ሰልፊ ኾይኖም፡ ኣብተን ኣግማል ሓደጋ ወዲቖም ዘሚቶምወን፡ ነቶም ግዙኣውን ብስሕለት ሴፍ
ቀቲሎምዎም። ኣነ በይነይ ጥራይ እየ ነዚኣ ኽነግረካ ዘምለጥኩ፡ በሎ። 18 እዚ ገና ኺዛረብ ከሎ ኸኣ፡
ካልእ መጹኡ፡ ኣወዳትካን ኣዋልድካን ኣብ እንዳ እቲ ዓብዪ ሓዎም ይበልዑን ወይኑ ይሰትዩን ነበሩ፡ 19
ሽው ብርቱዕ ህቦብላ ንፋስ ካብ በረኻ መጺኡ፡ ነታ ቤት በርባዕተ መኣዝና፡ ወቒዓ፡ ናብ ርእሲ እቶም
ደቂ ድማ ወደቐት፡ ንሳቶም ከኣ ሞይቶም። ኣነ በይነይ ጥራይ እየ ነዚኣ ኽነግረካ ዘምለጥኩ፡ በሎ። 20-21
ሽው እዮብ ተንሲኡ ኽዳኑ ቐደደ ርእሱውን ላጸየ እሞ፡ ጥራየይ እየ ኻብ ከርሲ ወላዲተይ ዝወጻእኩ፡
ጥራየይ ከኣ ናብኣ ኽምለስ እየ። እግዚኣብሄር ሀበ፡ እግዚኣብሄር ድማ ወሰደ። ስም እግዚኣብሄር

ይባረኽ፡ ኢሉ ናብ ምድሪ ተደፊኡ ሰገደ። 22 በዚ ኵሉ እዮብ ኣይበደለን፡ ንኣምላኽውን ኣይነቕፎን።

## ምዕራፍ 2

1 ኰነ ኸኣ፡ ሓደ መዓልቲ እቶም ደቂ ኣምላኽ መጺኦም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቈሙ። ሰይጣን ድማ
መጺኡ፡ ኣብ ማእከሎም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ቈመ። 2 እግዚኣብሄር ድማ ንሰይጣን፡ ካበይ መጺእካ
በሎ። ሰይጣን ከኣ ንእግዚኣብሄር፡ ንምድሪ ዞይረያን ተመላሊሰያን መጻእኩ፡ ኢሉ መለሰሉ። 3 ሽዑ
እግዚኣብሄር ንሰይጣን፡ ከም እዮብ ገይሩ ንኣምላኽ ዚፈርሆ፡ ካብ ክፉእ ዚርሕቕ፡ ፍጹምን ቅኑዕን ሰብ
ኣብ ምድሪ የልቦን እሞ፡ ንእዮብ ባርያይ ኣስተብሂልካዮዶ ብዘይ ምኽንያት ከጥፍኦ ኣላዓዒልካኒ
ኽነስኻስ፡ ክሳዕ ሕጂ ንሱ ፍጹም ኰይኑ ይጸንዕ ኣሎ፡ በሎ። 4 ሰይጣን ድማ ንእግዚኣብሄር፡ ቈርበት ኣብ
ክንዲ ቈርበት። ሰብ ኣብ ክንዲ ህይወቱ ዘለዎ ኵሉ ይህብ እዩ። 5 ግናኸ፡ ኣብ ገጽካ እንተ
ዘይክሒዱካስ፡ ኢድካ ዘርጊሕካ ደሞ ስጋኡን ዓጽሙን ሃሰስ ኣይትብሎን፡ ኢሉ መለሰሉ። 6
እግዚኣብሄር ከኣ ንሰይጣን፡ በል እስኪ ኣብ ኢድካ ሂበዮ እኔኹ፡ ንህይወቱ ግና ተጠንቀቕ፡ በሎ። 7 ሽዑ
ሰይጣን ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ወጺኡ ኸደ እሞ፡ ንእዮብ ካብ ሸኾና እግሩ ሒዙ ኽሳዕ ቅርቅርቱ
ብብርቱዕ ቍስለተ ስጋ ወቕዖ። 8 እዮብ ድማ ምእንቲ ኺሐክሉ ገልዒ ሒዙ ኣብ ሓመኹሽቲ ተቐመጠ።
9 ሽዑ እታ ሰበይቱ፡ ገናዶ ፍጹም ኴንካስ ጸኒዕካ ትነብር ኣሎኻ ንኣምላኽ ግዳ ኽሐዶ እሞ ሙት፡
በለቶ። 10 ንሱ ግና፡ ንስኺ ኣዘራርባ ዓሻ ሰበይቲ ትዛረቢ ኣሎኺ። ካብ ኢድ ኣምላኽ ሰናይ ተቐቢልናስ፡
ነቲ እኩይከ ኣይንቕበሎንዶ በላ። እዮብ በዚ ኵሉ ነገር ብኽናፍሩ ኣይሐጥኤን። 11 ሰለስተ ፈተውቲ
እዮብ፡ ኤሊፉዝ ቴማናዊ፡ ቢልዳድ ሹዋዊ፡ ሶፋር ናዕማዊ፡ እቲ ዝወረዶ መከራ ሰሚዖም ካብ ዐዓዶም
ናብኡ መጹ። ንሳቶም፡ ምስኡ ኽንሐዝንን ከነጸናንዖንሲ፡ ንውናይ ንኺድ፡ ተባሃሀሉ። 12 ካብ ርሑቕ
ኣማዕድዮም ጠሚቶም ምልላዩ ምስ ሰኣኑ ግና፡ ዓው ኢሎም በኸዩ፡ ነፍሲ ወከፎም ድማ ክዳውንቶም
ቀደዱ፡ ሓመድ ከኣ ናብ ሰማይ ኣቢሎም ናብ ኣራእሶም ነስነሱ። 13 ድሕሪ እዚ ኸኣ ሸብዓተ መዓልትን
ሸብዓተ ለይትን ምስኡ ኣብ ምድሪ ተቐመጡ። ቃንዛ በርቲዕዎ ስለ ዝረኣዩ ኸኣ፡ ሓንቲ ቓል እኳ
ኣይተዛረብዎን።

## ምዕራፍ 3

1 ድሕርዚ እዮብ ኣፉ ኸፊቱ ንመዓልቲ ልደቱ ረገማ። 2 እዮብ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ 3 እታ ኣነ
እተወለድኩላ መዓልትን እታ ወዲ ተጠኒሱ እተባህለትላ ለይትን ትደምስስ። 4 እታ መዓልቲ እቲኣ
ጸልማት ትኹን፡ ኣምላኽውን ካብ ላዕሊ ኣይቋመታ፡ ብርሃን ከኣ ኣይብርሃያ። 5 ጸልማት ድነ ሞትን
ናትና እያ ኢሎም ይሐዝዋ፡ ደበና የጐልብባ፡ እቲ ንመዓልቲ ዜጸልምት ከኣ የሸብራ። 6 ነታ ለይቲ እቲኣ
ጸልማት ይመንጥላ፡ ምስተን ናይ ዓመት መዓልትታት ኣይትተሓወስ፡ ኣብ ቍጽሪ ኣዋርሕውን
ኣይትእቶ። 7 እታ ለይቲ እቲኣ መኻን ትኹን፡ እልልታውን ኣይእተዋ። 8 እቶም ንመዓልቲ ዚረግሙ
ንሌዋታን ድማ ኬንቀሳቕሱ ዚኽእሉ ይርገምዋ። 9-10 ንሳ ነቲ መዓጹ ማሕጸን ወላዲተይ ስለ ዘይዐጸወቶ፡
ነቲ መከራስ ካብ ዓይነይ ስለ ዘይከወለቶ፡ ናይ ኣጋ ጽባሕ ከዋኽብቲ ይጸልምቱ፡ እቲ እተጸበየቶ ብርሃን
ኣይምጽኣያ፡ ናይ ወጋሕታ ቐርኒብ ዓይኒ ከቶ ኣይትርኤ። 11 ስለምንታይከ ኣብቲ ማሕጸን ዘይሞትኩ፡
ካብኡ ወጺኤስ ብኡብኡ ዘይጠፋእኩ 12 ስለምንታይከ ኣብራኽ፡ ኣጥባትሲ ኽጠቡ ንምንታይ ተቐበላኒ፡

13-15 ከምዚ ሕጂ ሀዲኤ በጥ ምበልኩ፡ ምስቶም ነገስታትን መኽርቲ ምድርን፡ ምስቶም ናይ መቓብር
ኣደራወት ዘስርሑ፡ ምስቶም ብዙሕ ወርቂ ዝደለቡ፡ ኣባይቶምውን ብብሩር ዝመልኡ መሳፍንቲ ደቂሰ
ምዐረፍኩ ነይረ። 16 ወይስ ከም እተቐብረ ቊላዕ፡ ከምቲ ብርሃን ዘይረኣየ ሕጻን ኣይምኾንኩን ነይረ። 17
ኣብኡስ እቶም ረሲኣን እኳ ቊጥዓ ሓዲጎም፡ እቶም ዝላሕልሑውን ኣብኡ ዕሪፎም ኣለው። 18 እቶም
እሱራትውን ብሓባር ሀዲኦም፡ ድምጺ እቶም ሳቐይቶም ኣይሰምዑን ኣለው። 19 ኣብኡስ ንእሽቶን
ዓብይን ሓደ እዮም፡ ባርያውን ካብ ጐይታኡ ሓራ ወጺኡ እዩ። 20 ነቲ ምግዱርከ ስለምንታይ እዩ ብርሃን
ዝሀቦ ኤረ ነቶም መሪር ስቓይ ዚሳቐዩስ ንምንታይ ህይወት ሀቦም 21 እቶም ንሞት ከም ሕብእ መዝገብ
እናኾዐቱ ዚደልይዎ እሞ ዝይረኽብዎ፡ 22 እቶም ንመቓብር ምስ ረኸቡ፡ እልል እናበሉ ኣዝዮም
ዚሕጐሱ፡ 23 ነቲ መገዱ ሕቡእ ዝኾነ፡ ነቲ ኣምላኽ ብሓጹር ዝኸበቦ ሰብሲ ስለምንታይ እዩ ብርሃን
ዝሀቦ 24 እህህታይ ቅድሚ እንጌራይ ይመጽእ፡ ምንኣኽይ ከም ማይ ይፈስስ ኣሎ። 25 እቲ ዝፈራህክዎ ነገር
መጺኡኒ፡ እቲ ዝሰቀቕ ዝነበርኩ ኸኣ ወሪዱኒ። 26 ዕረፍቲ ስኢነ፡ ህድኣትን ዝግታን የብለይን፡ ዓቕለይ
ጸቢቡኒ እኔኹ።

## ምዕራፍ 4

1 ድሕርዚ ኤሊፋዝ ቴማናዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡ 2 ከንዛረበካ እንተ ንፍትንሲ፡ ምጒሄኻዶ ዘረባኡ
ኺገትእ ዚኽእልከ መን ኣሎ 3 እንሆ፡ ንብዙሓት መዐድካዮም፡ ንዝደኸማ ኣእዳው ከኣ ኣበርታዕካየን። 4
ዘረባኻ ነቶም ሰንከልከል ዚብሉ ኣቘንዮም፡ ንዝደኸማ ኣብራኽውን ኣጽናዕካየን። 5 ሕጂ ናባኻ እንተ
በጽሔ ግና፡ ምጽዋሩ ስኢንካ፡ ናባኻ እንተ ወረደ፡ ተሸቢርካ እኔኻ። 6 እቲ ንኣምላኽ ምፍራህካስ
እሙንቶኻ፡ እቲ መገድኻ ፍጹም ምዃኑ ኸኣ ተስፋኻዶ ኣይኰነን 7 እስኪ ተመልከት፡ ንጹህ ከም
ዝጠፍኤ፡ ቅኑዕውን ከም እተደምሰሰዶ ርኢኻ ትፈልጥ 8 ኣነስ ከምዚ ደኣ ርኤኹ፡ እቶም ሓጢኣት
ዚሐርሱ፡ መከራ ኸኣ ዚዘርኡ፡ ንእኡ ይዐጽድዎ። 9 ንሳቶም ብእስትንፋስ ኣምላኽ ይጠፍኡ፡ ብመንፈስ
ቊጥዓኡ ይበኑ። 10 ምጒዛም ኣንበሳ፡ ድምጺ እቲ ጓዛሚ፡ ኣስናን ሸደን ኣንበሳውን ይስበር። 11 እቲ
ኣረጊት ኣንበሳ ዚነጥቖ ስኢኑ እዩ እሞ ይመውት፡ ኲራኲር ኣንበሳ ኸኣ ፋሕ ይብሉ። 12 ንኣይ ግና ቓል
ብሕቡእ መጸኒ፡ እዝነይ ከኣ ንሕሽኹሽኹ ተቐበሎ፡ 13 በቲ ናይ ለይቲ ራእይ ሓሳባት ንሰባት ብርቱዕ
ድቃስ ምስ ወደቖም፡ 14 ፍርሃትን ረዓድን ሐዘኒ እሞ፡ ንብዘሎ ኣዕጽምተይ ኣናወጾ። 15 ሓደ መንፈስ
ብቕድመይ ሐለፈ፡ ጸጒሪ ስጋይ ተኸየፈ። 16 ንሱ ቘመ፡ መልክዑ ግና ኣየለሌኽዎን፡ ረቂቕ መንፈስ ኣብ
ቅድሚ ዓይነይ፡ ስቕታ ነበረ፡ ድምጺ ኸኣ ሰማዕኩ፡ 17 መዋቲ ሰብዶ ኻብ ኣምላኽ ይጸድቕ እዩ፡ ሰብዶ
ኻብ ፈጣሪኡ ይነጽህ እዩ 18 እንሆ፡ ነቶም ኣገልገልቱ እኳ ኣይኣምኖምን ንመላእኽቱውን ጒድለት
ይረኽበሎም። 19 እምበኣርሲ እቶም መሬት ዝቤቶም፡ ሓመድ ዝመሰረቶም፡ ከም ሓሰኻ ኺጭፍለቑ
እዮም። 20 ካብ ንግሆ ኽሳዕ ምሸት ይቕረጹ፡ ንሓዋሩ ይጠፍኡ፡ ዚሐስቦውን የልቦን። 21 እቲ ገመድ
ድንኳኖም ይብተኽ፡ ብዘይ ጥበብ ይሞቱ።

## ምዕራፍ 5

1 ምላሽ ዚህበካ እንተ ረኺብካስ፡ እስኪ ጸውዕ፡ ካብ ቅዱሳንከ ናብ መኖም ክትብል ኢኻ 2 ንደንቈሮ
ሰብ ኲራ ይቐትሎ፡ ንዓሻ ኸኣ ቅንኣት የጥፍኦ። 3 ኣነ ንደንቈሮስ ሱር ሰዲዱ ርኤኽዎ፡ ብኣብኣ ኸኣ ንቤቱ

ረገምክዋ። 4 ደቁ ኻብ ረዲኤት ርሒቖም እዮም እሞ ኣብ ደገ ይርገጹ፡ ዜናግፎም ከኣ የልቦን። 5 ነቲ እቶቱ
ዝጠመየ ይበልዖ፡ ካብ እሾኽ እኳ የውጽኦ፡ ንጥሪቱ መድፈና ሃህ ኢሉ ይጽበዮ። 6 መከራ ኻብ ሓመድ
ኣይወጽእን እዩ እሞ፡ መግደራ ኻብ መሬት ኣይበቍልን። 7 ግናኸ፡ ከምቲ ቛልዒ ንላዕሊ ኣቢሉ ዝነጥር፡
ሰብ ንመከራ እዩ ዚውለድ። 8 ኣነ ግን ኣምላኽ ምደሌኹ፡ ነገረይ ከኣ ንኣምላኽ ምወፈኹ፡ 9 ነቲ ዓበይትን
ዘይምርመርን ነገራት፡ ኪቝጸር ዘይክእል ተኣምራትውን ዚገብር ዘሎ፡ 10 ነቲ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ዜዝንም
ንግራሁውን ማያት ዚሰድድ፡ 11 ንሕሱራት ልዕል ዜብሎም፡ ንሕዙናት ድማ ብምድሓን ዜልዕሎም፡ 12
ኣእዳዎምሲ ብተንኰል ገለ ኸየስልጣ፡ ንተንኰል ጐራሓት ከንቱ ዚገብሮ ንሱ እዩ። 13 ንጠቢባን
ብጒርሖም ይሕዞም፡ ንምኽሪ ጠዋያት ከኣ ይዝርዝሮ። 14 ብመዓልቲ ንኣታቶ ጸልማት ይጓነፎም፡
ብቐትርስ ከም ብለይቲ ሃሰስ ይብሉ። 15 ንሱ ነቲ መስኪን ካብ ሴፍ ኣፎምን ካብ ኢድ ሓያልን የናግፎ።
16 ስለዚ ነቲ መስኪን ተስፋ ኣለዎ፡ ዓመጻ ኸኣ ኣፋ ትዐጹ። 17 እንሆ፡ እቲ ኣምላኽ ዚግስጾ ሰብሲ ብጹእ
እዩ፡ ስለዚ ንመቕጻዕቲ እቲ ዂሉ ዚኽእል ኣይትንዐቆ። 18 ንሱ የቝስልን ይዘንንን፡ ንሱ ይወቅዕ ኣእዳው
የሕውያ። 19 ካብ ሹድሽተ ጸበባ ኼናግፈካ፡ ኤረ ኣብ ሾብዓተ ደኣ ኽፉእ ኣይኪትንክየካን እዩ። 20
ብዘመን ጥሜት ካብ ሞት፡ ብውግእውን ካብ ሓይሊ ሴፍ ኪብጀወካ እዩ። 21 ካብ ጭጒራፍ ልሳን
ክትክወል፡ ድባበ ኺወጽእ ከሎ፡ ኣይክትፈርህን ኢኻ። 22 ነቲ ድባበን ጥሜትን ክትስሕቆ፡ ንኣራዊት
ምድሪውን ኣይክትፈርሆምን ኢኻ። 23 ምስ ኣእማን መሮር ኪዳን ኣቲኻ ኢኻ እሞ፡ እንስሳ መሮርውን
ብሰላም ምሳኻ ኪኾኑ እዮም። 24 ድንኳንካ ብሰላም ከም ዘሎ ኽትፈልጥ ኢኻ፡ ንኽብትኻ እንተ
ተቛመትካዮ፡ ዚስኣን የልቦን። 25 ዘርእኻ ብዙሕ ምዃኑ፡ ተወልዶኻ ኸም ሳዕሪ ምድሪ ምዃኑ ኽትፈልጥ
ኢኻ። 26 ኩልስስቲ እኽሊ ብጊዜኡ ኸም ዚኣቱ፡ ብጽቡቕ ሽምግልና ኽትቅበር ኢኻ። 27 እንሆ፡ ንሕና
ዝመርመርናዮ ኸምኡ እዩ፡ ንስኻ ድማ ሰሚዕካስ ተጠቐመሉ።

## ምዕራፍ 6

1 ሽዑ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡ 2 ወዮ፡ ትካዘይ እንተ ዚምዘን፡ መከራይውን ምስኡ ኣብ ሚዛን እንተ
ዚኣቱ፡ 3 ካብ ሑጻ ባሕሪ ምኸበደ ነይሩ፡ ስለዚ ምግታእ ዘረባይ እስእን ኣሎኹ። 4 ፍላጻታት ናይቲ ዂሉ
ዚኽእል ወጊኡኒ ኣሎ እሞ፡ መንፈሰይ መርዞ ይሰቲ ኣሎ፡ ካብ ኣምላኽ ዚመጸኒ ስምባደ ተሰሊፉ
ይቃወመኒ ኣሎ። 5 ኣድጊ በረኻዶ፡ ሳዕሪ እንተ ረኺበ፡ ይሀልል እዩ ብዕራይከ፡ ሓሰር እንተ ረኺበዶ፡
ይንቁ እዩ 6 ነቲ መቐረት ዜብሉ ብልዒኸ ብዘይ ጨው መን ይበልዖ፡ ማይ እንቋቝሖስ እንታይ ጣዕሚ
ኣለዎ 7 ነፍሰይ ምቕራብ ኣበየቶ፡ እዚ ንኣይ ዕልቅጥ ዚብል ብልዒ ኾነኒ። 8 ኣየ፡ ጸሎተይ እንተ ዚስማዕ፡
ኣምላኽ ድማ ተስፋይ እንተ ዚምልኣለይ። 9 ኣምላኽ ኪደቝሰኒ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ንህይወተይ ኪቘርጻ
ፍቓዱ እንተ ዚኸውንሲ፡ 10 ሽዑ ምተጸናናዕኩ፡ ንቓል እቲ ቅዱስ ኣይከሓድክዎን እሞ፡ በቲ ዘይንሕፈኒ
ስቓይ እኳ እልል ምበልኩ ነይረ። 11 ክጽመምሲ ኽንደይ እዩ ሓይለይ ዓቕሊ ኽረክብሲ መወዳእታይ
ኣየናይ እዩ 12 ሓይለይዶ ኸም ሓይሊ እምኒ እዩ ስጋይሲ ኣስራዚዶ እዩ 13 ረዲኤት ዜብለይዶ ኣይኰንኩን
መውጽኢ ዜብለይዶ ተዐጽዩኒ ኣይኰነን 14 እቲ ንብጻዩ ምሕረት ዘይገብረሉ፡ ንፍርሃት እቲ ዂሉ
ዚኽእል ይሓድጎ። 15-16 ከምቲ ብርባርባ ዝሓለፈ ብበረድ እተዘርገ፡ ውርጪውን ኣብኡ እተሓብኤ፡
ውሒዝ ኰይኖም ኣሕዋተይ ጠለሙ። 17 ብጊዜ ነቕጺ ግና ይነጽፍ፡ ሃሩር እንተ በርትዔ፡ ካብ ስፍራኡ
ይጠፍእ። 18 ቃፍላይ ካብ መገዶም ኣግሊሶም፡ ናብ በረኻ ወጺኦም ይጠፍኡ። 19 ናይ ቴማን ቃፍላይ
ናብኡ የማዕድው፡ ናብ ሳባ ሓለፍቲ መገዲ ንእኡ ተስፋ ይገብሩ። 20 ብእኦም ተስፋ ገይሮም ነይሮም

እዮም እሞ ሐፈሩ፡ ናብኡ ምስ በጽሑ፡ ሕፍረት ሐዞም። 21 ሕጂ ንስኻትኩምውን ከምኡ ፍረ ዜብልኩም
ኢኹም፡ ዜፍርህ ርኢኹምሲ ትሸበሩ ኣሎኹም። 22 ኣነስ፡ ሀቡኒ፡ ወይስ ጥሪትኩም ንበጃ ነፍሰይ
ሀቡለይዶ ኢለኩም እየ 23 ካብ ኢድ ጸላእየይ ኣናግፉኒ፡ ወይስ ካብ ኢድ ጨቛኒ ተበጀውኒዶ ኢለኩም
እየ 24 ምሀሩኒ እሞ፡ ስቕ ክብል እየ፡ እቲ እተጋገኽዎ ኸስተብህልስ፡ እስኪ ኣፍልጡኒ። 25 ቅኑዕ ዘረባስ
ክንደይ ሓይሊ ኣለዎ፡ ዘለፋኹም ግና እንታይ ይጠቅም፡ 26 ንዘረባ ኽትነቕፉዶ ትሐስቡ ኣሎኹም፡ እቲ
ተስፋ ዝቐበጸ ግና ንንፉስ እዩ ዚዛረብ። 27 ንዘኽታም ዕጭ መውደቕኩምሉ፡ ንፈታዊኹም
ምተዋጌኹምዎ ኔርኩም። 28 እስኪ ሕጅስ ናባይ ኣቕልቡ፡ ኣብ ቅድሜኹም ኣይሕሱን እየ። 29 ተመለሱ
ደኣ፡ ዓመጻስ ኣይኹን፡ ኤረ ተመለሱ፡ ነገረይ ጻድቕ እዩ። 30 ኣብ ልሳነይዶ ዓመጻ ይርከብ እዩ ትንሓገይከ
ነቲ ኸፉእዶ ኣይለልዮን እዩ

# ምዕራፍ 7

1 ንሰብሲ ኣብ ምድሪ ሰልፊዶ ኣይኰነን መዓልትታቱዶ ኸም መዓልትታት ብዓል ውዕልት ኣይኰናን 2
ከምቲ ጽላል ዚናፍቕ ባርያ፡ ከምቲ ውዕለቱ ዚጽበ ብዓል ውዕለት፡ 3 ኣነ ኸኣ ከምኡ ኣዋርሕ ከንቱነት
ተዐዲለ፡ ለይትታት ጻዕሪ ተቘጺረናለይ። 4 ምስ ተገምሰስኩ፡ መኣዝ ኰን ክትንስእ እየ እብል። ለይቲ
ነዊሕ እዩ እሞ፡ ክሳዕ ዚወግሕ ምግልባጠይ እጸግብ ኣሎኹ። 5 ስጋይ ብሓሰኻን ብቕላጥ መሬትን
ተሸፊኑ፡ ቈርበተይውን እናተኾምተረ ይቕደድ። 6 መዓልትታተይ ካብ መደርብዮ ኣላማይ ይቕልጥፉ፡
ብዘይ ተስፋ ይበና ኣለዋ። 7 ህይወተይ ሃፋ ምዃና ዘክር፡ ኣዒንተይውን መሊሰን ጽቡቕ ነገር
ኣይኪርእያን እየን። 8 እታ እትርእየኒ ዘላ ዓይኒ መሊሳ ኣይክትርእየንን እያ፡ ኣዒንትኻ ኺደልያኒ እየን፡ ኣነ
ግና የሎኹን። 9 ደበና ሐሊፉ ኸም ዚብተን፡ ከምኡውን እቲ ናብ ሲኦል ዚወርድ መሊሱ ኣይወጽእን። 10
ናብ ቤቱ ከቶ ኣይምለስን፡ ቦታኡ ደጊም ኣየለልዮን። 11 ስለዚ ኣነ ንኣፈይ ኣይክለጒሞን፡ ብጸበባ
መንፈሰይ ክዛረብ፡ ብምረት ነፍሰይ ክቝዝም እየ። 12 ሓላዊ ዝገበርካለይከ ኣነዶ ባሕሪ ወይስ ዓሳ ኣንባሪ
እየ 13 መንጸፈይ ኬጸናንዓኒ፡ ምድቃሰይ ሓዘነይ ኬቕልለለይ እዩ፡ እንተ በልኩ፡ 14 ሽዑ ንስኻ ብሕልሚ
ተፈራርሃኒ፡ ብራእይውን ተባህርረኒ፡ 15 ነፍሰይሲ ኽትሕነቕ፡ ካብ እዘን ኣዕጽምተይ ከኣ ሞት ትሐሪ። 16
ኣነስ መንየዮ እየ፡ ብህይወት ክነብር ኣይደልን፡ መዓልትታተይ ምናምን እየን እሞ፡ ሕደገኒ። 17-18 ሰብ፡
ከም ቁም ነገር እትርእዮ፡ ተጠንቂቕካ እትምልከቶ፡ ኣብ ጸጽባሕ እትቋመቶ፡ በብቕጽበትውን እትዕዘቦስ፡
እንታይ እዩ 18 ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ምጥማትካ ኻባይ ዘይተግልሶ ምራቐይ ክሳዕ ዝውሕጥከ ዘይትሐድገኒ 19
ኣንታ ተቛማታይ ደቂ ሰብ፡ በዲለ እንተ ኾንኩስ፡ ንኣኻ እሞ እንታይ ገይረካ ስለምንታይ ኢኻ
ንነፍሰይ፡ ከቢድ ጾር ዝኾና ዕላማኻ ዝገበርካኒ 20 ስለምንታይከ ኢኻ ኣበሳይ ይቕረ ዘይትብለለይ፡
በደለይ ከኣ ዘይትሐድገለይ ኣነስ ሕጂ ኣብ መሬት ክግምሰስ እየ እሞ፡ እንተ ደሌኻኒ ኣይክህሉን እየ።

# ምዕራፍ 8

1 ድሕርዚ ቢልዳድ ሹዋዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ክሳዕ መኣዝ ከምዚ ኢልካ ኽትዛረብ፡ ነቲ ዘረባ ኣፍካስ ከም ብርቱዕ ንፋስ ክትገብሮ ኢኻ

3 ኣምላኽዶ ፍትሒ ይጠዊ እዩ እቲ ኹሉ ዚኽእልከ ንጽድቂዶ ይጠውዮ እዩ

4 ደቅኻ በዲሎምዎ እንተ ኾይኖም፡ ንሱውን ናብ ኢድ ኣበሳኦም ኣሕሊፉ እንተ ሂብዎም፡

5 ንስኻ ንኣምላኽ ተጠንቂቕካ እንተ ደሊኻዮ፡ ነቲ ኹሉ ዚኽእልውን ምሕረት እንተ ለሚንካዮ፡

6 ንጹህን ጻድቕን እንተ ኾንካ፡ ብርግጽ ንሱ ንረዲኤትካ ኺትንስእ፡ ነታ ማሕደር ጽድቕኻውን ኬልምዓ
እዩ።

7 መጀመርታኻ ንእሽቶ እንተ ኾነ፡ መወዳእታኻ ግና እምብዛ ኺበልጽ እዩ።

8 ነቶም ቀደም ዝሐለፉ ወለዶ ኹታ ጠይቆም እሞ፡ ነቲ ኣቦታቶም እተረድእዎ ኸኣ ኣሰተብህሎ።

9 ንሕና ገለ ዝይንፈልጥ ናይ ትማሊ ኢና እሞ፡ ኣብ ምድርስ መዓልትታትና ኸም ጽላሎት እየን።

10 ግናኸ ንሳቶም ኣይኪምህሩኻን ኣይኪነግሩኻንዶ እዮም ካብ ውሽጢ ልቦም ቃላትዶ ኣይኬውጽኡን
እዮም

11 ተኺላ ኣብ ዜብሉ ቦታዶ ሰልሰላ ይነውሕ ማይ ኣብ ዜብሉስ ሰቲዶ ይበቍል እዩ

12 ንሱ ብለምለሙ ኸሎን ከይተመንቈሰን፡ ቅድሚ ኹሉ ሳዕሪ ይነቅጽ።

13 መገዲ እቶም ንኣምላኽ ዚርስዕዎ ኹሎም ከኣ ከምኡ እዩ፡ ተስፋ እቲ ረሲእ ከንቱ ኪኸውን እዩ።

14 ተስፋኡ ኪቝረጽ እዩ እሞ፡ እሙንቶኡ ኸም ዓለባ ሳሬት እዩ።

15 ንሱ ኣብ ቤቱ ይጽጋዕ፡ ግናኸ ኣይትጸንዕን፡ ቀጥ ኣቢሉ ይሕዛ፡ ግናኸ ኣይትቐውምን።

16 ንሱ ብጸሓይ ይልምልም፡ ጨናፍሩ ናብ ልዕሊ ኣታኽልቱ ይወጽእ።

17 ኣብ ዙርያ እኩብ እምኒ ሱሩ ይሰደድ፡ ንቤት ኣእማን ይምልከቶ ኣሎ።

18 ካብታ ቦታኡ እንተ መንቈሰ፡ ንሳውን፡ ኣነስ ከቶ ኣይርኤኹኻን፡ ኢላ ትኽሕዶ።

19 እንሆ፡ ታሕጓስ መገዱ ኸምዚ እዩ። ካብታ ሓመድ ድማ ካልኦት ኪበቝሉ እዮም።

20 እንሆ፡ ኣምላኽ ነቲ ፍጹም ሰብ ኣይድርብዮን፡ ነቶም ገበርቲ እከይ ከኣ ብኢዱ ኣይሕዞምን እዩ።

21 ንኣፍካ ስሓቕ፡ ንኸናፍርካውን እልልታ ኺመልኦ እዩ።

22 እቶም ዚጸልኡኻ ነውሪ ኺጉልበቡ እዮም፡ ድንኳን እቶም ረሲኣን ከኣ ኪጠፍእ እዩ።

## ምዕራፍ 9

1 ድሕርዚ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ኤረ ኸምኡ ምዃኑስ ኣርጊጸ እፈልጥ እየ፡ ከመይ ኢሉ ደኣኸ ሰብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምጸደቐ

3 ምስኡ ኺማጐት እንተ ዚደሊ፡ ካብ ሽሕስ ሓንቲ እኳ ኺመልሰሉ ኣይምኸኣለን ነይሩ።

4 ንሱ ብምስትውዓል ጠቢብ፡ ብሓይሊውን ብርቱዕ እዩ፡ ተቓዊምዎስ ዝሰለጦ መን እዩ

5 ንሱ ነኽራን ከይፈለጢ ኸለው የግዕዞም፡ ንቍጥዓኡውን ይገማጥሎም።

6 ንሱ ንምድሪ ኻብ ቦታኣ የናውጻ፡ ኣዕኑዳውን የንቀጥቅጡ፡

7 ንሱ ንጸሓይ ይእዝዛ እሞ ኣይትበርቕን። ንኸዋኽብቲውን ይሐትሞም።

8 ንሱ ንሰማያት ይዝርግሖ፡ ኣብ ልዕሊ ማዕበላት ባሕሪ ኸኣ ይኸይድ።

9 ንድቢ፡ ንኦርዮን፡ ንኲኾብ ሾብዓተ፡ ንናይ ደቡብ ማሕደር ዝፈጠሮም ንሱ እዩ።

10 ንሱ ዓበይትን ዘይምርመርን ነገር፡ ቍጽሪ ዜብሉ ተኣምራትውን ይገብር።

11 እንሆ፡ ኣብ ጥቓይ ይሐልፍ እሞ፡ ኣነ ኣይርእዮን፡ መሊሱውን ይሐልፍ እሞ፡ ኣይፍለጠንን እዩ።

12 እንሆ፡ ንሱ እንተ መንጠለ፡ መን ይኽልክሎ፡ መንከ፡ እንታይ እዩ እትገብሮ ዘሎኻ፡ ኪብሎ ይኽእ።

13 ኣምላኽ ንቍጥዓኡ ኣይገትኦን፡ ኣብ ትሕቲኡስ እቶም ረዳእቲ ረሃብ እኳ ይትሐቱ፡

14 ኣነ ደኣ ግዳ ኸመይ ገይረ ኽመልሰሉ ንእኡ ዝዛረቦ ቓልከ ኸመይ ገይረ ኽመርጽ

15 ጻድቕ እንተ ዝኸውን እኳ፡ ንፈራድየይ ደኣ ምሕረት ምለመንክዎ እምበር፡ ኣይምመለስኩሉን። 16-17
ንሱ ብህቦብላ ወቒዑኒ፡ ብዘይ ምኽንያት ከኣ ንቍስለይ የብዝሖ ኣሎ እሞ፡ ጸዊዔዮስ እንተ ዚመልሰለይ
እኳ፡ ንድምጻይ ጽን ከም ዝበሎ፡ ኣይምኣመንኩን።

18 ንሱ ኽስተንፍስ ኣይሐድገንን፡ ምረት ደኣ የጽግበኒ ኣሎ።

19 ብሓይሊ እንተ ኾይኑ፡ ንሱ፡ እኔኹ፡ ይብል፡ ብፍርዲ እንተ ኾይኑ ኸኣ፡ መን እዩ ቈጸራ ዚህበኒ

20 ኣነ ጻድቕ እንተ ዝኸውን እኳ፡ ኣፈይ፡ በደለኛ ኢኻ፡ ኢሉ ምፈረደኒ፡ ፍጹም እንተ ዝኸውን ከኣ፡
ሕሱም ምገበረኒ ነይሩ።

21 ኣነስ ፍጹም እየ፡ ንነፍሰይ እኳ ግዳ የብለይን፡ ንህይወተይውን እንዕቓ እየ።

22 ኩላኹሉ ሓደ እዩ፡ ስለዚ፡ ነቲ ፍጹምን ንረሲእን ብሓደ የጥፍኦም፡ እብል ኣሎኹ።

23 ብድንገት ዚቕትል መዓት እንተ ወረደ፡ ንሱ ብፈተና እቶም ንጹሃት የላግጽ።

24 ምድሪ ኣብ ኢድ እቶም ረሲኣን ተውሂባ እያ፡ ንገጽ መኳንንታ ይሸፍኖ። ንሱ እንተ ዘይኮይኑ ደኣ፡
መን እዩ

25 መዓልትታተይ ካብ ጐያዪ ይቕልጥፋ፡ ጽቡቕ ነገር ከይረኣያ ይህድማ ኣለዋ።

26 ኤረ ኸም ጃልባ ወምብቆ፡ ኪምንጥል ከም ዚሸብብ ንስሪ ይሐልፋ።

27 ኣነ፡ ሓዘነይ ረሲዔ፡ ገጻይ ኣበሄስ፡ ክሕጐስ ደኣ፡ እንተ በልኩ፡

28 ብስቓየይ እስክሕ፡ ከም ዘይተማጻርየኒ ፈሊጠ ኣሎኹ።

29 ኣነስ ከም በደለኛ ክኸውን እየ፡ ስለምንታይ ደኣ ንኸንቱ ዝጽዕር

30 ብማይ በረድ እንተ ዝሕጸብ፡ ኣእዳወይውን ኣጸቢቐ እንተ ዘጽሪ፡

31 ንስኻ ኣብ ዓዘቕቲ ምኣለኽካኒ ከዳውንተይ እኳ ምፈንፈናኒ።

32 ከይመልሰሉ፡ ሐቢርናውን ከይንበያየንሲ፡ ከማይ ሰብ ኣይኮነን፡

33 ኣብ ክልቴና ኢዱ ዚዝርግሕ እሞ፡ ኣብ መንጎና ዳኛ ዚኸውን የልቦን።

34 በትሩ ግዳ ኻባይ የግልሰለይ፡ ፍርሃቱውን ኣየናውጻኒ፡

35 ሽው ምተዛረብኩ ኣይምፈራህክዎን ከኣ፡ ኣነ ግና ከምኡ ኣይኮንኩን።

## ምዕራፍ 10

1 ነፍሰይ ንህይወተይ መነወታ፡ ንጥርዓነይ ስቕ ኣየብሎን፡ ብምረት ነፍሰይ ደኣ ኽዛረብ እየ። 2
ንኣምላኽ፡ ኣይትኹንነኒ፡ ስለምንታይ ኢኻ እትጻረረኒ ዘሎኻ ኣፍልጠኒ፡ እብሎ ኣሎኹ፡ 3 ንተግባር
ኢድካ ኽትጭቍኖን ክትንዕቆን ነቲ ምኽሪ ረሲኣን ከኣ ከተብርሆንዶ ባህ የብለካ እዩ 4-7 ኣነ ረሲእ ከም
ዘይኮንኩን ካብ ኢድካ ዜናግፍ ከም ዜልቦን፡ እናፈለጥካ፡ ኣበሳይ እትደሊ፡ ሓጢኣተይ እትምርምር
ዘሎኻስ፡ ኣዒንቲ ስጋዶ ኣለዋኻ ወይስ ኣረኣእያ ሰብ ዲኻ እትርኢ መዓልትታትካ ኸም መዓልትታት
ሰብዶ እየን ወይስ ዓመታትካዶ ኸም ዕድመ ወዲ ሰብ እየን 8 ኣእዳውካ ንኹለንትናይ ደኲና፡
ሰርሓኒውን፡ ግናኸ ተጥፍኣኒ ኣሎኻ። 9 ከም መሬት ከም ዝጠፍጠፍካኒ ዘክር፡ ሕጂ ኸኣ ናብ ሓመድ
ትመልሰኒ ኣሎኻ። 10 ከም ጸባዕዶ ኣየፍሰስካንን፡ ከም ርግኦስ ኣየርጋእካንን ኢኻ 11 ቈርበትን ስጋን
ኣልበስካኒ፡ ብዓጽምን ጅማትን ቀወድካኒ። 12 ህይወትን ጸጋን ሞገስካኒ፡ ምክንኻንካ ንመንፈሰይ ሐለዎ።
13 ግናኸ ነዚ ኣብ ልብኻ ሓባእካዮ፡ ሓሳብካስ እዚ ኸም ዝነበረ እፈልጥ ኣሎኹ። 14 እንተ ዝብድልሲ
ምተቛመትካኒ፡ ካብ ኣበሳይውን ኣይምፈታሕካንን። 15 ረሲእ እንተ ኾንኩ፡ ወይለይ፡ ጻድቕ እንተ
ኾንኩ ድማ፡ ሓሳር እጸግብ መከራይውን እርኢ ኣሎኹ እሞ፡ ርእሰይ ከልዕል ኣይከኣለንን እዩ። 16
ልዕል እንተ ዘብሎ ድማ፡ ከም ኣንበሳ ምሀደንካኒ፡ መሊስካ ኣብ ልዕለይ ነቲ ግሩም ስልጣንካ መርኤኻ።
17 ሐሓደስቲ ምስክር መቔምካለይ፡ ንቑጥዓኻ ኣብ ልዕለይ ብዕጽፊ መውረድካዮ፡ እተለዋወጠ ዚጻረረኒ
ጭፍራ ምሰደድካለይ። 18 ንምንታይ ደኣ እሞ ካብ ማሕጸን ኣውጻእካኒ ኣየ፡ ዓይኒ ኸይረኣየትኒ ሞይተ
እንተ ዝኸውን። 19 ከቶ ኸም ዘይነበርኩ ምኾንኩ፡ ካብ ማሕጸን ናብ መቓብር መውረዱኒ ነይሮም። 20-
22 መዓልትታተይ ሒዶት ደይኮናን ናብታ ሃገር ጸልማትን ድነ ሞትን፡ ናብታ ግብ ዝበለ ጸልማትን
ጽላሎት ሞትን ዘለዋን ስርዓት ዜብላን ሃገር፡ ኣብኣስ ብርሃን እኳ ኸም ጸልማት ለይቲ ዝኾነ፡ ናብታ ኣነ
ኻብኣ ዘይምለስ ሃገር ከይከድኩ፡ ቅሩብ ምእንቲ ባህ ኪብለኒ፡ እስኪ ሕደገኒ ልቐቐኒ።

## ምዕራፍ 11

1 ድሕሪዚ ሶፋር ናዕማዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡ 2 ነዚ ብዝሒ ዘረባዶ ምላሽ ኣይኪወሀቦን እዩ ወይስ
ለፍላፊ ሰብዶ ኺጸድቕ እዩ 3 እዚ ምሕባንካዶ ንሰብ ስቕ ኬብሎ እዩ ኣላጊጽካስ ዜሕፍረካ ሰብዶ የልቦን
4 ንስኻውን፡ ትምህርተይ ቅኑዕ እዩ፡ ኣብ ዓይንኻውን ንጹህ እየ፡ ትብል ኣሎኻ። 5 ኣየ፡ ኣምላኽያ እንተ
ዚዛረብ፡ ከናፍሩ ኸፊቱ እንተ ዚመልሰልካ፡ 6 ናይ ጥበብ ምስጢራት ካብቲ ዘሎ ዕጽፊ ምዃኑ እንተ
ዚገልጸልካ፡ ንገሊኡ ኣበሳኻ ኸም ዘርስዖ፡ መስተብሀልካ ኔርካ። 7 ንመዓሙቕ ኣምላኽዶ ኸተቕኑዮ፡
ንምልኣት እቲ ኹሉ ዚኽእልሲ ኸተቕኑዮ ትኽእል ኢኻ 8 ካብ ሰማይ ልዕል ይብል፡ እንታይ ክትገብር
ኢኻ ካብ ሲኦል ይዐምቕ፡ እንታይ ክትፈልጥ ኢኻ 9 ስፍሩ ኻብ ምድሪ ይነውሕ፡ ካብ ባሕሪውን
ይሰፍሕ እዩ። 10-11 ንሱስ ንኸንቱነት ሰብ ይፈልጦ፡ ንዓመጻ ኸኣ ሃሰስ ከይበለ ይረኽቦ እዩ እሞ፡ ንሱ
እንተ ሐለፈ፡ እንተ ዐጸወ፡ ኣብ ፍርዲ እንተ ኣከበ፡ መን እዩ ዚኽልክሎ 12 ግናኸ ዓሻ ሰብ ምስትውዓል
የብሉን፡ እወ፡ ሰብ ከም ዒሉ ኣድጊ በረኻ እተወልደ እዩ። 13 ልብኻ እንተ ኣዳሎኻ፡ ኣእዳውካውን ናብኡ
እንተ ዘርጋሕካ፡ 14 ኣብ ኢድካ ዓመጻ እንተሎ፡ ኣርሕቆ፡ ኣብ ድንኳንካውን ግፍዒ ኣይተስፍር። 15 ሽዑ
ንገጽካ ብዘይ ሕፍቲ ኸተልዕሎ፡ ጽኑዕ ክትከውን ኣይክትፈርህን ድማ ኢኻ። 16 ሽዑስ ንመከራኻ
ኽትርስዖ፡ ከም ዝሐለፈ ውሒዝ ክትዝክሮ ኢኻ። 17 ህይወትካ ኻብ ቀትሪ በሊጻ ትበርህ፡ ጸልማት እኳ
ኸም ወገግታ ብጊሓት ኪኸውን እዩ። 18 ተስፋ ኣሎ እሞ፡ ክትህድእ፡ ናብ ዙያኻ ኣማዕዲኻ ብህድኣት
ክትግምሰስ ኢኻ። 19 ዜፍርህ ዜብልካ በጥ ክትብል፡ ብዙሓትውን ሞገስካ ኺደልዩ እዮም። 20 ኣዒንቲ
ረሲኣን ግና ይስልምታ፡ መህደሚ የብሎምን፡ ተስፋኦም ከኣ ብምሕላፍ እስትንፋሶም እዩ።

# ምዕራፍ 12

1 ድሕርዚ እዮብ መሊሱ በለ፡

2 ብሓቂ እቶም ኣውራታት ሰባት ንስኻትኩም ኢኹም፡ ጥበብውን ምሳኻትኩም ክትመውት እያ።

3 ግናኸ ኣነውን ከማኻትኩም ኣእምሮ ኣሎኒ፡ ካባኻትኩም ኣይሰንፍን፡ ነዚ ኸምዚ ዘይፈልጥ መን እዩ

4 ኣነ ንጐረቤተይ መላገጺ ዝኾንኩ ሰብ እየ፡ ኣነ ናብ ኣምላኽ ተማህሊለስ ምላሽ ዝረኸብኩ፡ ጻድቕን
ፍጹምን ሰብሲ መላገጺ ኾይኑ።

5 ኣብ ሓሳብ እቲ ደሓን ዘሎ ሰብ ንመከራ ምንዓቕ ኣሎ። እዚ ነቶም እግሮም ሰንከልከል ዚብል ድልዊ
እዩ።

6 ድንኳን እቶም በዝበዝቲ ብደሓን ይነብር ኣሎ፡ እቶም ንኣምላኽ ዚተሃላለኽዎ፡ ኣምላኽ ከኣ ኣብ
ኢዶም ኣዕዚዙ ዚህቦም ብህድኣት ኣለው።

7 ግናኸ ንእንስሳ ጠይቀን እሞ፡ ኪምህራኻ፡ ነዕዋፍ ሰማይውን፡ ኪገልጻልካ እየን።

8 ወይስ ንምድሪ ተዛረባ፡ ክትምህረካ እያ፡ ዓሳታት ባሕሪውን ኪነግሩኻ እዮም።

9 በዚኣቶም ኩሎምሲ ኢድ እግዚኣብሄር ከም ዝገበረቶ ዘይፈልጥከ መን እዩ

10 ህያው ነፍሲ ዘበለን፡ መንፈስ ኩሉ ሰብን ኣብ ኢዱ ደይኰነን፡

11 ከምቲ ትንሓግ ንምግቢ ዜስተማቕር፡ ከምኡዶ እዝኒ ንቓላት ኣይለልዮን እዩ

12 ጥበብ ኣብ ሽማግሌታት፡ ምስትውዓልውን ኣብ ምንዋሕ ዕድመ እዩ።

13 ጥበብን ስልጣንን ኣብኡ ኣሎ፡ ምኽርን ምስትውዓልን ድማ ናቱ እየን።

14 እንሆ፡ ንሱ የፍርስ፡ ከም ብሓድሽ ዚነድቕ ከኣ የልቦን፡ ንሱ ንሰብ ይዕጽዎ፡ ዚኸፍቶ ድማ የልቦን፡

15 እንሆ፡ ንሱ ንማይ ይኸልከሎ እሞ ይነጽፍ፡ ከፊቱ ይድርጕሖ እሞ ምድሪ ይድምሰስ።

16 ሃይልን ኣእምሮን ናቱ እየን፡ እቲ ዚስሕትን ዜስሕትን ናቱ እዮም።

17 ንሱ ንመኽርቲ ቐንጢጡ ይሰዶም፡ ንፈረድቲውን ዓያሱ ይገብሮም።

18 ንሱ ንስልጣን ነገስታት ይፈትሖ፡ ኣብ ሓቘቝኦም ድማ ገመድ የዕጥቖም።

19 ንሱ ንኻህናት ቀንጢጡ ይሰዶም፡ ንጽኑዓት ከኣ ይግልብጦም።

20 ንዘረባ እቶም እሙናት የፍርሶ፡ ንኣረገውቲ ኣእምሮኦም የሕድጎም።

21 ንመሳፍንቲ ንዕቀት የፍስሰሎም፡ ንሓያላትውን ዕጣቕም የላሕልሓሎም።

22 ነቲ መዓሙቝ ካብ ጸልማት ይቐልዖ፡ ንድነ ሞትውን ናብ ብርሃን የውጽኦ።

23 ንህዝብታት የብዝሖም የብርሶም ከኣ፡ ንህዝብታት የስፍሖም የባርሮምውን።

24 ነሕሉቕ ኣህዛብ ምድርስ ኣእምሮ የሕድጎም፡ መገዲ ብዜብሉ በረኻ የኰብልሎም።

25 ንሳቶም ብርሃን ስኢኖም፡ ኣብ ጸልማት ሃሰስ ይብሉ፡ ንሱውን ከም ሰካራት ሰንከልከል የብሎም።

# ምዕራፍ 13

1 እንሆ፡ ነዚ ዅሉስ ዓይነይ ርእያቶ እዝነይውን ሰሚዓ ኣስተብሂላቶ።

2 ነቲ ንስኻትኩም እትፈልጥዎስ ኣነውን እፈልጦ፡ ካባኻትኩም ከኣ ኣይትሕትን እየ።

3 ግናኸ ነቲ ዅሉ ዚኽእል ክዛረቦ እደሊ፡ ምስ ኣምላኽ ክማጐተ ሃረር እብል ኣሎኹ።

4 ንስኻትኩም ግና ሓሶት እትኣልሙ ሰባት ኢኹም፡ ኲላትኩም ዘይትጠቕሙ ሓኪማት ኢኹም።

5 ኤረ ስቕ ምባል እንተ ትኽእሉ፡ እዚ ኸኣ ኸም ጥበብ ምተቘጽረልኩም ነይሩ።

6 ንተግሳጸይ ስምዑ፡ ናብቲ ምስክር ከናፍረይ ጽን በሉ፡

7 ንኣምላኽስ ብቓል ዓመጻ ኽትካላኸሉሉ፡ ስሊኡ ኢልኩምከ ልግሚዶ ኽትዛረቡ ኢኹም

8 ወራኡ ኽትከኑ፡ ንኣምላኽ ክትጣበቐሉዶ ትደልዩ ኣሎኹም

[9] ንሱ እንተ መርመረኩምዶ ጽቡቕ እዩ ወይስ ከምቲ ንሰብ እተዐሽውዎ፡ ከተዐሽውዎዶ ኢኹም

[10] ብስውር እንተ ኣድሎኹምሲ፡ ንሱ ብርግጽ ኪዘልፈኩም እዩ።

[11] ግርማኡዶ ኣይኬሽብረኩምን እዩ ፍርሃቱስ ኣይኪወድቀኩምን እዩ

[12] ባህልኹም ምሳሌታት ሓመኹስቲ፡ ዕርድታትኩውን ዕርድታት ጭቃ እዩ።

[13] ስቕ በሉ፡ ክዛረብ ግዳ ሕደጉኒ፡ ዝኾነ ይኹን ይውረደኒ።

[14] ንምንታይ ንስጋይበስናነይ እሕዞ ንህይወተይውን ኣብ ኢደይ ኤንብራ

[15] ሓንትስ ኣኻይዳይ ኣብ ቅድሚኡ ኤቕንዕ እምበር፡ ንሱ ይቕተለኒ፡ ኣነስ ካልእ ትጽቢት የብለይን።

[16] ግብዝ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኣይኪብልን እዩ እሞ፡ እዚኣ ንምድሓን ክትጠቕመኒ እያ።

[17] ስምዑ፡ እስኪ ንቓላተይ ስምዑ፡ እቲ ኣነ ዝብሎ ንእዝንኹም ይሰቈሮ።

[18] እንሆ፡ ንነገረይ ኣዳልየዮ ኣሎኹ፡ ጻድቕ ኰይነ ኸም ዝርከብ፡ እፈልጥ ኣሎኹ።

[19] መን እዩ ዚረትዓኒ ሽዑ ስቕ እብል እመውትውን።

[20] ብኽልተ ነገር ግዳ ኣይትግፈዓኒ እምበር፡ ኣነ ኸኣ ካብ ቅድሚ ገጽካ ኣይክስወርን እየ፡

[21] ኢድካ ኻባይ ኣርሕቐለይ፡ ግርማኻውን ኣየሸብረኒ።

[22] ሽዑ ንስኻ ጸውዓኒ፡ ኣነውን ክመልስ፡ ወይ ከኣ ኣነ ኽዛረብ፡ ንስኻ ምለሰለይ።

[23] ኣበሳይን ሓጢኣተይንሲ ኽንደይ እዩ ምብዛሑ እስኪ በደለይን ሓጢኣተይን ኣፍልጠኒ።

[24] ንምንታይከ ገጽካ እትኽውሎ ከም ጻላኢኻ እትርእየኒ

[25] ንዝረገፈ ቈጽሊዶ ኽተፈራርሆ ኢኻ ንንቑጽ ሓሰርሲ ኽተሳጕጎ ኢኻ

[26] መሪር ነገር ትጽሕፈለይ፡ ኣበሳ ንእስነተይ ከኣ ተውርሰኒ ኣሎኻ።

[27] ንስኻ ነእጋረይ ኣብ ጕንዲ ተእትወን፡ ንብዘሎ መገደይውን ትሕሉ፡ ንኸብዲ እግረይ ከኣ መፈለጥታ ትገብረሉ ኣሎኻ።

[28] ኣነስ ከም ዝበኹበኹ ኦም፡ ብልዒ ኸም ዘበላሸዎ ዓለባ ኰይነ።

## ምዕራፍ 14

[1] ሰብ፡ ውሉድ ሰበይቲ፡ ሓጺር ዕድመ፡ ጽጉብ ሓሳር እዩ።

[2] ከም ዕንበባ ይዕንብብ፡ ይጽምሉ ኸኣ፡ ከም ጽላሎት ይሀድም፡ ኣይነብርን ድማ።

[3] ኣብ ከምዚ ዝበለዶ ኣዒንትኻ ቛሕ ተብል ኣሎኻ ክፍረድስ ናብ ቅድሜኻዶ ትጐተኒ ኣሎኻ

[4] ካብቲ ርኹስሲ ንጹህ ኬውጽእ ዚኽእልዶ ኣሎ ሓደ እኳ የልቦን።

[5] ዕድመ ሰብ ምዱብ፡ ኣዋርሑ ኣባኻ ቝሩጽ ካብ ኰነ፡ ዘይሓልፉ ደረትውን ካብ ወሰንካሉስ፡

[6] ንሱ ኺም ብዓል ውዕለት፡ መዓልቱ ኽሳዕ ዚፍጽም ኪዐርፍሲ፡ ገጽካ ኻብኡ ምለስ።

[7] ኦምሲ ተስፋ ኣለዎ፡ እንተ ተቘርጸ እኳ መሊሱ ይጥጥዕ፡ ውልዶታቱ ኸኣ ኣይውዳእን እዩ።

[8] ስሩ ኣብ ምድሪ እንተ ኣረገ፡ ጕንዱ ኣብ መሬት እንተ ሞተ፡

[9] ብጠሊ ማይ ይጥጥዕ፡ ከም ሓድሽ ተኽሊ ኈይኑ፡ ጨናፍር ይገብር።

[10] ሰብ ግና ይመውት እሞ ወዲቑ ይተርፍ፡ ሰብ እስትንፋሱ እንድሕሪ ሐሊፉስ፡ ኣበይከ ኣሎ

[11] ካብ ባሕርስ ማያት ከም ዚፈስስ፡ ርባውን ከም ዚነጽፍን ዚደርቕን፡

[12] ሰብ ከኣ ከምኡ ደቂሱ ኣይትንስእን፡ ሰማያት ክሳዕ ዚሐልፍ ከቶ ኣይነቅሕን፡ ካብ ድቃስ ኣይበራበርን።

[13] ኣየ፡ ቊጥዓኻ ኽሳዕ ዚሐልፍሲ፡ እንተ ትስውረኒ፡ ኣብ ሲኦል እንተ ትሓብኣኒ፡ መዓልቲ ቈጺራ እንተ ትውስነለይ እሞ፡ ብድሕሪኡ እንተ ትዝክረኒ።

[14] ሰብ ድሕሪ ሞይቱ መሊሱዶ ህያው ኪኸውን እዩ ምብራየይ ክሳዕ ዚመጽእ፡ ዘመን ሰልፈይ ኩሉ ምተጸቤኹ።

[15] ንስኻ ምጸዋዕካኒ፡ ኣነውን ምመለስኩልካ ነይረ፡ ነቲ ተግባር ኢድካ ምናፈቕካዮ ኔርካ።

[16] ሕጂ ግና ንስጕምተይ ትቘጽረን፡ ንሓጢኣተይሲ ትቋመቶዶ ኣየሎኻን

[17] ንኣበሳይ ኣብ ከረጺት ይሓትሞ፡ ንበደለይውን ተጣብቖ ኣሎኻ።

[18] ግናኸ፡ ከምቲ ኸረን ወዲቑ ዚጠፍእ፡ ከውሒውን ካብ ቦታኡ ዚግዕዝ፡

[19] ከምቲ ማያት ነእማን ዜሕቕቖ፡ ውሒዙውን ንመሬት ምድሪ ዚድምስሶ፡ ከምኡ ኸኣ ንስኻ ንተስፋ ሰብ ከንቱ ትገብሮ።

[20] ንስኻ ንሓዋሩ ትሕይሎ፡ ንሱውን ይሓልፍ፡ ንገጹ ለዊጥካ ይኺድ ትገድፎ።

[21] ደቁ እንተ ኸበሩ፡ ኣይፈልጦን፡ እንተ ሓሰሩውን፡ ኣየስተብህሎን እዩ።

[22] ስጋኡ እቲ ናይ ባዕሉ ስቓይ እዩ ዚስምዖ፡ ነፍሱ ኸኣ ብዛዕባ ርእሱ እያ እትጕሂ።

## ምዕራፍ 15

[1] ድሕርዚ ኸኣ ኤሊፋዝ ቴማናዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡

[2] ለባም ሰብዶ ኸንቱ ብዝኾነ ፍልጠት ምላሽ ይህብ እዩ ብንፋስ ምብራቕዶ ኸብዱ ይመልእ እዩ

[3] ብፍረ ዜብሉ፡ ብዘይጠቅም ዘረባዶ፡ ንነገሩ ይከላኸለሉ እዩ

[4] ንስኻ ንፍርሃት እግዚኣብሄር ከንቱ ትገብሮ፡ ንጸሎት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተቓልሎ ኣሎኻ፡ [5] ኣበሳኻ
ንኣፍካ ይምህሮ፡ ንዘረባ ጐረሓት ትሓሪ ኣሎኻ።

[6] ኣፍካ እያ እትኹንነካ፡ ኣይኣነን፡ ገዛእ ከናፍርካውን እየን ንኡድኣትካ ዚምስክራ።

[7] እቲ ቐዳማይ ሰብ እተወልደዶ ንስኻ ኢኻ ቅድሚ ኹርባታትከ ተጠኒስካ ዲኻ

[8] ነቲ ስውር ምኽሪ ኣምላኽዶ ትሰምዖ ኔርካ ጥበብከ ንርእስኻዶ ሒዝካያ ኣሎኻ

[9] ንሕና ዘይንፈልጦኸ ንስኻ እንታይ ትፈልጥ ንሕና ዘይተረዳእናዮስ እንታይ ተስተብህል

[10] ብዕድመስ ካብ ኣቦኻ እኳ ዚዐብዩ ሽያባትን ሽማግሌታትን ኣብ ማእከልና ኣለው።

[11] ነቲ ምጽንናዕ ኣምላኽን ነቲ ብለውሃት ንኣኻ እተዘርበ ቓላትንዶ ተናእሶ ኣሎኻ

[12] ልብኻ ናበይ ኣቢሉ ይስሕበካ ኣሎ ንምንታይከ ኣዒንትኻ ኽፉእ ኣጠማምታ ይጥምታ

[13] ከምዚ ዝበለ ዘረባ ኻብ ኣፍካ እናቕዳሕካ፡ ስለምንታይ መንፈስካ ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ተልዕሎ

[14] ሰብከ እንታይ እዩ ንጹህ ዚኸውን፡ ውሉድ ሰበይትስ ጻድቕ ዚኸውን መን እዩ

[15] እንሆ፡ ነቶም ቅዱሳኑ እኳ ኣይኣምኖምን፡ ሰማያትውን ኣብ ዓይኑስ ንጹህ ኣይኰነን።

[16] እቲ ንኣበሳ ኸም ማይ ዚሰትዮ ሰብ ደኣ ግዳ ክንደይ ኣዝዩ ፍንፉንን ብልሽውን እዩ። [17-19] እስኪ
ኽነግረካ፡ ስምዓኒ፡ ካብቶም ምድሪ ንበይኖም እተዋህበቶም፡ ጓናውን ኣብ ማእከሎም ዘይኣተዎም
ጠቢባን ሰባት ዝገለጹልና፡ ካብ ኣቦታቶም ተቐቢሎም ዘይሓብኡልና፡ እዚ ዝርኤኽዎስ ከዘንትወልካ
እየ።

[20] ረሲእ ምሉእ ዕድሜኡ፡ ጨካንውን ብኹሉ ቑጽሪ ዘመኑ ይጭነቕ።

[21] ዜፍርህ ደሃይ ኣብ ኣእዛኑ ኹይኑ የድሂ፡ ደሓን ኣሎኹ ኺብል ከሎ መጥፍኢ ይመጾ።

[22] ሰይፊ ይጸናተዎ ኣሎ እሞ፡ ካብ ጸልማት ኬምልጥ ተስፋ የብሉን።

[23] ኣበይከ እሞ ይርከብ ኢሉ ሃለው እናበለ እንጌራ ይደሊ፡ መዓልቲ ጸልማት ኣብ ጥቓ ኢዱ ኸም ዘሎ
ይፈልጥ።

[24] ጸበባን ጭንቀትን የሸብርዎ፡ ከም ስሉፍ ንጉስ ኰይኖም ይወድቅዎ።

[25] ኪጻረሮ ኢሉ ኣእዳው ናብ ኣምላኽ ይዝርግሕ፡ ነቲ ኹሉ ዚኽእልውን ይተሃላለኾ፡

[26] ብተሪር ክሳዱ፡ ብረጒድ ዋልታኡ ይገጥመሉ።

27 ገጹ ኣስብሒ፡ ሕቘኡ ኣህጠረ።

28 ኣብ ዝባደማ ኸተማታት፡ ኣብ ሰብ ዘይነብረለን፡ ንምዕናው እተመደባ ኣባይቲ ተቐሚጡ እዩ እሞ፡

29 ንሱ ኣይጽጉን፡ ሃብቱ ድማ ኣይቐውምን፡ ገንዘቡውን ሱሩ ናብ ምድሪ ኣይሰዶን እዩ።

30 ካብ ጸልማት ኣየምልጥን፡ ጨናፍሩ ብሃልሃልታ ይሓርር፡ ብስትንፋስ ኣፉ ይሓልፍ።

31 ዓስቡ ኸንቱነት እዩ ዚኸውን እሞ፡ ስሒቱ ብኸንቱነት ኣይተኣመን።

32 መዓልቱ ኸይበጽሐ ጊዜኡ ይፍጸም፡ ጨናፍሩ መሊሱ ኣይልምልምን።

33 ከም ተኽሊ ወይኑ ፍሬኡ ብጒዕ የውድቕ፡ ከም ኦም ዘይቲ ዕንባባኡ ይረግፍ።

34 እታ ማሕበር ረሲኣን መኻን እያ እሞ፡ ድንኳናት እቶም መማለጃ ዚቕበሉ ሓዊ ይበልዔን።

35 ጻዕሪ ጠኒሶም፡ ጥፍኣት ይወልዱ፡ ከርሶምውን ተንኰል እዩ ዜዳሉ።

# ምዕራፍ 16

1 ድሕርዚ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ከምዚ ዝበለ ዘረባስ እምብዛ ሰሚዔ ኣሎኹ፡ ንስኻትኩም ኩልኹም ዘይትጠቕሙ መጸናናዕቲ ኢኹም።

3 እዚ ንፋስ ዝኾነ ዘረባኻስ ተወዲኡዶ ወይስ ክትመልስ እንታይ እዩ ዜላዕለካ ዘሎ

4 ኣነውን ከማኻትኩም ገይረ ኽዛረብ ምኸኣልኩ፡ ንስኻትኩም ከምዚ ኸማይ እንተ ትኾኑስ፡ ርእሰይ እናነቕነቕኩ ቓላት ክሰኹዓልኩም ምኸኣልኩ ነይረ።

5 ብኣፈይ መበርታዕኩኹም፡ ምጽንናዕ ከናፍረይውን መህድኣኩም ነይሩ።

6 እንተ ተዛረብኩ፡ ቓንዛይ ዝግ ኣይብልን፡ ስቕ እንተ በልኩውን፡ ኣይሓድገንን እዩ።

7 ሕጂስ ንሓይለይ ኣላሕሊሕዎ፡ ንብዘላ ማሕበረይ ኣዕኖኻያ።

8 ምጭምዳደይ ዚጐድኣኒ ምስክር እዩ፡ ዕብራነይ ተንሲኡ ይኸሰኒ።

9 ብቑጥዓኡ ይዘጋግለንን ይሰጐንን፡ ኣስናኑ ይሕርቅመለይ፡ ጸላእየይ ዓይኑ ኣፍጢጡ ይርእየኒ ኣሎ።

10 ኣፎም ናባይ ሃህ የብሉ ኣለው፡ እናጸረፉውን ጒንዲ እዝነይ ይጸፍዕኑ፡ ኩሎም ከኣ ይተሓባበሩለይ ኣለው።

11 ኣምላኽ ኣደዳ ዓመጽቲ ገበረኒ፡ ኣብ ኣእዳው ረሲኣን ደርበየኒ።

12 ኣነ ህዱኤ ነይረ፡ ንሱ ድማ ቀጥቀጠኒ፡ ብኽሳደይ ሒዙ ሰባበረኒ፡ ዕላማኡ ገይሩ ኣቘመኒ።

[13] ሰብ መንትት ይኸቡኒ፡ ንኹላሊተይ ብዘይ ምሕረት ይበሳስዖ፡ ንሓሞተይውን ናብ ምድሪ ይፍስሶ
ኣሎ።

[14] ከም ጅግና ኹይኑ ወዲቑኒ፡ ኣብ ልዕሊ ቐስሊ፡ ቐስሊ ወሲኹኒ።

[15] ወጮ ኣብ ቈርበተይ ሰፊኹማ ቀርነይውን ኣብ ሓመድ ደቢኹ። [16-17] ኣእዳወይ ዓመጻ ዘይሓዘ፡
ጸሎተይውን ንጹህ ክነሱስ፡ ገጸይ ብብኽያት ተገየረ፡ ኣብ ኵብሮ ዓይነውን ድነ ሞት ይሰፍር ኣሎ።

[18] ኣቲ ምድሪ፡ ንደመይ ኣይትኸውልዮ፡ ንገዓረይውን ስፍራ ኣይትሀብዮ።

[19] ሕጂውን ምስክረይ ኣብ ሰማይ እንሆ፡ ዋሕሰይውን ኣብ ላዕሊ እዩ ዘሎ። [20-21] ፈተውተይ ብኣይ
ይስሕቁ ኣለው፡ ንሰብ ምስ ኣምላኽ፡ ንወዲ ሰብውን ምስ ብጻዩ፡ ፍትሒ ምእንቲ ኺውጽእ ኢሉ፡
ኣዒንተይ እናነብዓ ናብ ኣምላኽ ይጥምታ ኣለዋ።

[22] ገና ሒዶት ዓመታት ኪሓልፋ እየን እሞ፡ በታ ዘይምለሰላ መገዲ ክኸይድ እየ።

# ምዕራፍ 17

[1] መንፈሰይ ቀሀመ፡ መዓልትታተይ ይጠፍኣ፡ መቓብር ይጽበየኒ ኣሎ።

[2] መላገጽቲ ኸቢቦምኒ፡ ኣዒንተይ ድማ ብምምራሮም ይሐድራ ኣለዋ።

[3] ሕጂ ኸኣ ዕርቡን ሀበኒ፡ ኣባኻ ተወሐሰኒ፡ እንተ ዘይኰነስ መን እዩ ኣገና ዚጠቕዓለይ

[4] ከየስተውዕሉስ ንልቦም ዐጺኻዮ ኢኻ እሞ፡ልዕል ኣይከተብሎምን ኢኻ።

[5] እቲ ንፈተውቱ ንበዝበዝቲ ኣሕሊፉ ዚህቦም፡ ኣዒንቲ ደቁ ኼሕለልዋ እየን።

[6] ኣብ ማእከል ኣህዛብ መመሰሊ ገበረኒ፡ ኣብ ቅድሚኦም ጡፍ መበሊ ኹንኩ።

[7] ኣዒንተይ ብሓዘን ሰልመታ፡ ኵለን ኣካላተይ ከም ጽላሎት ኰና።

[8] እቶም ቅኑዓት በዚ ኺግረሙ እዮም፡ እቲ ንጹህ ኣብ ልዕሊ እቲ ረሲእ ኪህወኽ እዩ።

[9] እቲ ጻድቕ ግና ኣብ መገዱ ይጸንዕ፡ እቲ ኣእዳው ዝንጹሃት ከኣ እናበርትዔ ይኸይድ።

[10] ኤረ ኹላትኩም ተመለሱ፡ ንዑ፡ ግናኸ ሓደ ጢቢብ እኳ ኣይረኽበልኩምን እየ።

[11] ዘመነይ ሐሊፉ፡ እቲ ልበይ ዚምነዮ ዝነበረ ምምዳበይ ፈሪሱ።

[12] ንለይቲ ናብ መዓልቲ ይልውጥዎ፡ ጸልማት ከሎስ፡ ብርሃን ቀሪቡ ኣሎ፡ ይብሉ።

[13] እቲ ዝጽበዮ ቤተይ ሲኦል እንተ ኾነ፡ መንጸፈይ ኣብቲ ጸልማት እንተ ኣንጸፍኩ፡

[14] ንመቓብር፡ ኣበይ ኢኻ፡ ንሓሳኹውን፡ እኖይን ሓብተይን፡ እንተ በልክዎም፡

15 ተስፋይ ደአ ኣበይ ኣላ ኤረ ንተስፋይ መን ኪርእያ እዩ

16 ኣብ ሓመድ ሐቢርና ምስ እንዐርፍ፡ ናብ መርሖታት ሲኦል ክትወርድ እያ።

## ምዕራፍ 18

1 ድሕርዚ ቢልዳድ ሹዋዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ክሳዕ መኣዝከ ኢኹም ዘረባ ዘይትውድኡ ኣስተብህሉ፡ ደሓር ንዛረብ።

3 ስለምንታይ ከም እንስሳ ተቘጸርና፡ በዒንትኹምስ ከም ርኹሳት ተርኤና፡

4 ኣታ ብኹራኻ ንነፍስኻ እትብሕጅር፡ ምድሪ ምእንታኻዶ ትባድም ከውሕስ ካብ ስፍራኡዶ የግልስ

5 እወ፡ ብርሃን እቲ ረሲእ ይጠፍእ፡ ሃልሃልታ ሓው ኣይበርህን።

6 ኣብ ድንኳኑ እቲ ብርሃን ኪጽልምት፡ እቲ ኣብ ልዕሊኡ ዘሎ ቐንዴልውን ኪጠፍእ እዩ።

7 ስጉምቲ ሓይሉ ይሐጽር፡ ምኽሪ ርእሱ የውድቖ።

8 ኣእጋሩ ናብ መጻወድያ የእትዋኦ፡ ኣብ ልዕሊ ወጽመድ ይመላለስ እዩ እሞ፡

9 ብሸኹናኡ ወጽመድ ይሕዞ፡ መፈንጠራውን የጽንዖ።

10 ኣብ ምድሪ ገመድ፡ ወጽመድ ኣብ መገዲ ተሐቢኡሉ።

11 ፍርሃት ከኣ ብኹሉ ወገን የጨንቖ፡ ናብ ዝኸዶ ዘበለውን ይሰጎ።

12 ሓይሉ ብጥሜት ይልሕልሕ፡ መዓትውን ኣብ ጥቓኡ ተዳልዩ ይጸንሕ።

13 ንኣባላት ኣካሉ ይበልዖ፡ እወ፡ ናይ ሞት በኹሪ ወዲ ንኣባላቱ ይበልዖ።

14 ካብቲ ዚኣምኖ ዝነበረ ድንኳኑ ይምንቈስ፡ ናብቲ ንጉስ ረዓድ ይውሰድ።

15 ዘይሰቡ ኣብ ድናኳኑ ይሰፍሩ፡ ኣብ ማሕደሩውን ዲን ይንስነስ።

16 ኣብ ታሕቲ ሰረውሩ ይነቅጽ፡ ኣብ ላዕሊውን ጨናፍሩ ይቍረጽ።

17 ዝኽሩ ኻብ ምድሪ ይጠፍእ፡ ኣብ ኣደባባይ ስሙ ኣይስመን፡

18 ካብ ብርሃን ናብ ጸልማት ይድፋእ፡ ካብ ዓለምውን ይስጐጉ።

19 ኣብ ማእከል ህዝቡ ውሉድን ደቂ ደቅን ኣይሐድግን፡ ኣብ ማሕደሩ ትርፊ የልቦን።

20 በታ መዓልቱ እቶም ዳሕሮት ይድነቑ፡ እቶም ቀዳሞት ከኣ ጸጕሮም ይኽየፍ።

21 ስፍራ እቲ ንኣምላኽ ዘይፈልጥ እዚ እዩ።

# ምዕራፍ 19

[1] ድሕርዚ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡

[2] ክሳዕ መኣዝ ንነፍሰይ ተጕህይዋ፡ ብዘረባውን ትሰባብሩኒ ኣሎኹም

[3] እንሆ፡ ዓሰርተ ሳዕ ጸሪፍኩምኒ፡ እትገፍዑንስ ኣይትሐፍሩን ዲኹም

[4] ብርግጽ ተጋግየ እኳ እንተ ኾንኩ፡ እቲ ጌጋይ ምሳይ ይነብር።

[5] ብሓቂ እንተ ተዐቤኹምለይ፡ ስለ ውርደተይ እንተ ገሰጽኩምኒ፡

[6] እምበኣርስ ኣምላኽ ከም ዝዐመጸኒ፡ ብመፈንጠራኡውን ከም ዝኸበበኒ፡ ፍለጡ።

[7] እንሆ፡ ተዐሚጸ ኢለ እጠርዕ ኣሎኹ፡ ኣይስማዕን ድማ እየ፡ ረዲኤት ደልየ ኤእዊ ኣሎኹ፡ ፍትሒ
ዜውጽኣለይ ከኣ የልቦን።

[8] ኣነ ኸይሐልፍ ኢሉ ንመገደይ ዐጽይዎ፡ ኣብተን መተሓላለፍየይ ጸልማት ዘርጊሑለን።

[9] ንሱ ኽብረተይ ቀንጢጡኒ፡ ንዘውደይውን ካብ ርእሰይ ወሲድዎ።

[10] ብኹሉ ወገነይ ኣውዲቑኒ እዩ እሞ ጠፊእኩ። ንተስፋይ ከም ኦም መንቄሳ።

[11] ንቑጥዓኡ ኣብ ልዕለይ ኣቓጸሎ፡ ከም ጸላኢኡውን ቈጸረኒ።

[12] ጭፍራታቱ ተኣኻኺቦም ኪወድቁኒ መገዲ ይጸርጉ፡ ኣብ ዙርያ ድንኳነይውን ይሰፍሩ ኣለው።

[13] ነሕዋተይ ካባይ ኣርሒቖዎም፡ እቶም ዚፈልጡኒ ኸም ኣጋይሽ ኰይኖምኒ።

[14] ኣዝማደይ ካባይ ኣድሐርሒሮም፡ ኣመንተይውን ረሲዖምኒ፡

[15] ቤተ ሰበይን ኣግራደይን ከም ባዕዲ ይቈጽሩኒ፡ ጓና መሲለ ተርኤኽዎም።

[16] ንግልያይ እጽውዖ፡ ኣቤት ኣይብለንን፡ ትሕት ኢለ ብኣፈይ እልምኖ ኣሎኹ።

[17] ሰበይተይ ንስትንፋሰይ፡ ውሉድ ከርሰይ ከኣ ንልመናይ ጸሊኦምዎ።

[18] ናእሽቱ ቈልዑ እኳ ይንዕቁኒ፡ ብድድ እንተ በልኩ፡ ይደፍሩኒ ኣለው።

[19] ኵሎም መመኽርተይ ፈንፊኖምኒ፡ እቶም ፍቁራተይ ተገምጢሎምኒ።

[20] ኣዕጽምተይ ምስ ቈርበተይን ስጋይን ተጣቢቑ፡ ግርጻነይ ጥራይ ተሪፉኒ።

[21] ኣቱም ፈተውተይ፡ ኢድ ኣምላኽ ወቒዓትኒ እያ እሞ፡ ደንግጹለይ፡ ደንግጹለይ።

[22] ንምምታይከ ኸም ኣምላኽ እትሰጉኒ ንስጋይውን ዘይትጸግብዎ

[23] ኣየ፡ እዚ ዘረባይ እንተ ዚጸሐፍ፡ ኣየ፡ ኣብ መጽሓፍ እንተ ዚእርነብ፡

24 ብበሊሕ ሓጺንን ብዓረርን ኣብ ከውሒ ንሓዋሩ እንተ ዚቕረጽ።

25 ግናኸ እቲ ዚብጀወኒ ህያው ምዃኑ እፈልጥ ኣሎኹ፡ ንሱ ኣብ መወዳእታ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ኪቖውም
እዩ።

26 እዚ ቈርበተይ ምስ ጠፍኤ ድማ፡ ሽዑ ምስ ስጋይ ንኣምላኽ ክርእዮ እየ።

27 ኣነ ባዕለይ ክርእዮ እየ፡ ኣዒንተይ ኪርእያኦ፡ ካልእ ኣይኰነን። ኲላሊተይ ኣብ ውሽጠይ ሐቒቑ።

28 ንስኻትኩም፡ ሱር እቲ ነገር ኣባይ ዘሎ መሲሉኩም፡ ንሰጕጎ፡ እንተ በልኩም፡

29 ፍርዲ ኸም ዘሎ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ መቕጻዕቲ ሓጢኣትሲ ሰይፊ እዩ እሞ፡ ንሰይፊ ፍርህዎ።

## ምዕራፍ 20

1 ድሕርዚ ሶፋር ናዕማዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ነዚ ምላሽ ክህብ ሓሳባተይ ይድርኸኒ፡ ምናዳ እቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ይህውኸኒ።

3 ዜነውረኒ መግናሕቲ ሰሚዔ፡ መንፈስ ኣእምሮይ ግና ምላሽ ይህበኒ። 4-5 ካብ ጥንቲ፡ ሰብ ኣብ ምድሪ
ኻብ ዚነብር፡ እልልታ ረሲኣን ሓጺር፡ ሓጐስ እቲ ሕሱም ቅጽበት ዓይኒ ምዃኑዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ

6 እቲ ልዕል ምባሉ እኳ ናብ ሰማይ እንተ ደየበ፡ ርእሱ ኸኣ ክሳዕ ደበና እንተ በጽሔ፡

7 ከምቲ ውጽኣት ግዳሙ ንሓዋሩ ይጠፍእ፡ እቶም ዝረኣይዎ፡ ኣበይ ኣሎ ኪብሉ እዮም።

8 ከም ሕልሚ ይበርር እሞ ኣይርከብን፡ ከም ራእይ ለይቲውን ይበንን።

9 እታ ዝረኣየቶ ዓይኒ መሊሳ ኣይትርእዮን፡ ቦታኡውን ደጊምሲ ኣይጥምቶም።

10 ውሉዱ ሞገስ ድኻታት ይደልዩ፡ ኣእዳው ነቲ ዝረብሖኦ ይመልሳ።

11 ዓጽሙ ብንእስነቱ ምሉእ እዩ፡ ምስኡውን ኣብ መሬት ለጥ ይብል።

12 ክፍኣት ንኣፉ መቂርዎስ፡ ኣብ ትሕቲ መልሓሱ እንተ ሐብኦ፡

13 ካብኡ ኸይመልቆ እናኣርነበ፡ ኣብ ትንሓጉ ኣንተ ዕቜሮ፡

14 መብልዑ ኣብ ኣምዑቱ ይልወጥ፡ ኣብ ውሽጡ ሕንዚ ተመን ይኾኖ።

15 ንሃብቲ ውሒጥዎ እዩ እሞ ኺተፍኦ፡ ኣምላኽ ካብ ከብዱ ኼውጽኦ እዩ።

16 ንሕንዚ ተመን ኪመጽዮ፡ መልሓስ ተመን ከኣ ኪቕትሎ እዩ።

17 ንዓይኒ ማይን፡ መዓርን ጸባን ዘውሕዝ ርባታትን ኣይኪርእዮን እዩ።

18 ነቲ ፍረ ድኻሙ ኺመልሶ፡ ኣይኪውሕጦን ከኣ እዩ፡ እቲ ዚመልሶ ብመጠን ሃብቱ ኪኸውን እዩ

እሞ፡ ብእኡ ባህ ኣይብሎን።

[19] ንድኻታት ጠቕዮምን ጠንጠኖምን፡ ንቤት በዝበዞ፡ ኣይኪሰርሖን ከኣ እዩ።

[20] ከብዱ ዕረፍቲ ስለ ዝይፈለጠስ፡ ካብቲ ዘፈትዎ ገለ እኳ ኣይኬድሕንን እዩ።

[21] ስሳዔኡ ገለ እኳ ኣይገደፈን፡ ስለዚ እቲ ጣዕሚ ንብረቱ ኣይኪቐውንም እዩ።

[22] ኣብ ምልኣት ሃብቱ ይጸቦ፡ ኢዱ ጽጉም ዘበለ ትወድቆ።

[23] ከብዱ ኺመልእ ከሎ፡ ኣምላኽ ጓህሪ ቍጥዓኡ ኺሰደሉ፡ ኪበልዕ ከሎ ኸኣ ኬዝንመሉ እዩ።

[24] ካብ ኣጽዋር ሓጺን እንተ ሀደመስ፡ ቀስቲ ኣስራዚ ኺወግኦ እዩ።

[25] ይስሕቦ እሞ ካብ ስጋኡ ይወጽእ፡ እቲ ብልጭልጭ ዚብል ብልሑውን ካብ ሓሞቱ ይወጽእ፡ ስምባድ
ይወድቆ።

[26] ንመዝገቡ ጸልማት ዘበለ ተዐቝሩሉ፡ ብዘይ መናፍሕ ዚነድድ ሓዊ ኺውሕጦ፡ ነቲ ኣብ ድናኳኑ
ዝተረፈውን ኪበልዖ እዩ።

[27] ሰማያት ንኣባሳኡ ኪቕልዖ፡ ምድሪ ኸኣ ክትልዐሎ እያ።

[28] ጥሪት ቤቱ ፋሕ ኪብል፡ በታ መዓልቲ ቍጥዓኡ ኺፈስስ እዩ።

[29] እቲ ረሲእ ከምዚ ዝበለ ዕድል ካብ ኣምላኽ ይቕበል፡ ብኣምላኽ ከምዚ ዝበለ ርስቲ ተመዲብዎ እዩ።

# ምዕራፍ 21

[1] ድሕርዚ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡

[2] እስኪ ሓንሳእ ዘረባይ ስምዑኒ፡ ምጽንናዕኩም እዚ ይኹን።

[3] ክዛረብ እስኪ ተዐገሱኒ፡ ምስ ተዛረብኩ፡ ኣባጭው።

[4] ቍዝማይዶ ንሰብ እየ ዝነግሮ ወይስ ከመይ ኢሉ ደኣ እዩ ዓቕለይ ዘይጸበኒ

[5] ናባይ ኣቕልቡ እሞ ክትድነቑ፡ ኣፍኩምውን በእዳውኩም ዕበሱ።

[6] ኣነስ እንተ ዘከርክዎ፡ የስካሕክሓኒ፡ ንስጋይውን ረዓድ ይሕዞ ኣሎ።

[7] ረሲኣን ብህይወት ዚነብሩ፡ ዚኣርጉ፡ ስልጣኖም ድማ ዚብርትዕስ፡ ስለምንታይ ኰን እዩ

[8] ዘርኦም ምስኦም ኣብ ቅድሚኦም ይነብረ፡ሓድጎም ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም እዩ።

[9] ኣባይቶም ፍርሃት ዜብሉ ህዱእ እዩ፡ ሸቦጥ ኣምላኽ ኣይቖርቦምን።

[10] ኣርሓኦም ሰሪሩ ብዘይ ፍረ ኣይተርፍን፡ ላሞምውን ከየቘልዔት ትወልድ፡

11 ንደቆም ከም መጓሰ የውፍርዎም፡ ቈልዑኦም ይሰራሰሩ።

12 ብኸበሮን ብበገናን ይደርፉ፡ ብቓና ዕንዱር ይሕጐሱ።

13 ንዘመኖም ብጣዕሚ ንብረት የሕልፍዎ፡ ብቕጽበት ዓይኒ ኸኣ ናብ ሲኦል ይወርዱ 14-15 ግናኸ
ንኣምላኽ፡ መገድኻ ኽንፈልጥ ኣይንደልን ኢና እሞ፡ ካባና ኣግልስ፡ እቲ ኹሉ ዚኽእል እነገልግሎኸ
መን እዩ ናብኡ እንተ ተማህለልናስ፡ እንታይ ኪጠቕመና እዩ ይብሉ።

16 እንሆ፡ ጣዕሚ ንብረቶም ኣብ ኢዶም ኣይኰነን፡ ምኽሪ ረሲኣንሲ ኻባይ ደኣ ይርሓቕ።

17 ክንደይ ሳዕ መብራህቲ ረሲኣን ዘይጠፍእ፡ መዓት ዘይወርዶም፡ ኣምላኽ ብቑጥዓኡ መከራ
ዘይዕድሎም

18 ክንደይ ሳዕከ እዮም ንፋስ ከም ዚወስዶ ሓሰር፡ ህቦብላ ኸም ዚብትኖ ብቝቡቝ ዘይኰኑ

19 ኣምላኽሲ በደል እቲ ረሲእ ንደቁ ይዕቍሮ፡ ምእንቲ ኺፈልጦስ፡ ንእኡ ይፍደዮ።

20 ንጥፍኣቱ ብዓይኑ ይርእዮ፡ ካብ ቍጥዓ እቲ ኹሉ ዚኽእል ይስተ።

21 ቍጽሪ ኣዋርሑ ምስ ተበትካ፡ ድሕሪኡ ብዛዕባ ቤቱ እንታይ ባህ ይብሎ

22 ነቶም ልዑላት ዚፈርድ ኣምላኽሲ ፍልጠት ዚምህሮ መን እዩ

23 እቲ ሓደ፡ ምሉእ ሓይሉ ኸለዎ፡ ህዱእን ሕጉስን ከሎ ይመውት፡

24 ተፈይቶታቱ ጸባ መሊኡ ኸሎ፡ ኣንጕዕ ኣዕጽምቱውን ልምሉም ከሎ ይመውት።

25 እቲ ሓደ ኸኣ ገለ ራህዋ እኳ ኸይጠዐመ፡ ነፍሱ እናተመረረት እዩ ዚመውት፡

26 ብሓደ ኾይኖም ኣብ መሬት ይድቅሱ፡ ሓሰኻውን ይኸድኖም።

27 እንሆ፡ ንሓሳባትኩም፡ ነቲ ኣባይ ዝመኸርኩምዎ ኽፉእ ምኽሪ ፈሊጠዮ ኣሎኹ።

28 ንስኻትኩምሲ፡ ቤት መስፍን ኣበይ ኣሎ እቲ ረሲኣን ዝነብርዎ ድንኳንከ ኣበይ ኣሎ ትብሉ
ኣሎኹም። 29-30 እቲ ኽፉእ ንመዓልቲ መዓት ከም ዚዕቈር፡ ናብ መዓልቲ ቑጥዓውን ከም ዚምራሕ፡
ነቶም ሓለፍቲ መገዲ ኣይጠየቕኩምዎምን ንምልክቶምከ ኣየስተብሀልኩምዎን ዲኹም

31 ንመገዱ ኣብ ቅድሚኡ ዚዘርፎ መን ኣሎ ነታ ዝገበራ ዚፈድዮ መን ኣሎ

32 ናብ መቓብር ይወስድዎ እሞ፡ ኣብ ኩርባ መቓብር ይሕሉ፡

33 መሬት እቲ ለሰ ጥዒምዎ ኣሎ፡ ቅድሚኡ ታኣላው ዜብሎም ከም ዝነበሩ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ኩሉ ሰብ
ኪስዕብ እዩ።

34 ካብቲ ምላሽኩም ምጥላም ጥራይ እዩ ተሪፉ ዘሎ እሞ፡ ከመይ ጌርኩም ኢኹም ብኸንቱ ተጸናንዑኒ
ዘሎኹም

# ምዕራፍ 22

1 ድሕርዚ ኤሊፋዝ ቴማናዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡ 2 ሰብዶ ንኣምላኽ ኪጠቕሞ ይኽእል እዩ ኣይፋል፡ እቲ
ጠቢብ ንርእሱ እዩ ዚጠቅም። 3 እቲ ኹሉ ዚኽእልስ ጻድቕ ብምዃንካዶ ባህ ይብሎ እዩ ንመገድኻ
ፍጹም ብምግባርካስ ካብኡዶ ረብሓ ኣለዎ 4 ዚዘልፈካ ወይስ ናብ ፍርዲ ምሳኻ ዚእቱ፡ ስለ ዝፈርሃካ
ድዩ 5 ክፍኣትካዶ ዓብዪ ኣይኰነን ኣበሳኻውን መወዳእታ ዜብሉዶ ኣይኰነን 6 ካብ ሓውካ ብኸምኡ
ታሕዚ ኣልዒልካ፡ ክዳን እቶም ዕሩቓት ገፊፍካ፡ 7 ንጽሙእ ማይ ኣየስቴኻዮን፡ ንጥሙይውን እንጌራ
ኸላእካዮ እሞ፡ 8 ምድሪ ናይ ብዓል ቅልጽም ኰይና፡ እቲ ኽቡር ከኣ ኣብኣ ማሕደሩ ገበረ። 9
ንመበለታት ጥራይ ኢደን ሰዲድካየን፡ ቀላጽም ዘኽታማት ተሰቢሩ። 10 ስለዚ ንስኻ ብመፈንጠራታት
ተኸቢብካ፡ ብናይ ድንገት ፍርሃትውን ተሸቢርካ እኔኻ፡ 11 ወይስ ነቲ ኸቢቡካ ዘሎ ጸልማትን ወሓዚ
ማይንዶ ኣይትርእዮን ኢኻ ዘሎኻ 12 ኣምላኽሲ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይዶ ኣይኰነን ርእሲ ኸዋኽብቲ
ኽንደይ በሪኽ ከም ዝኾነ ጠምት። 13 ንስኻውን፡ ኣምላኽከ እንታይ ይፈልጥ ብኽንየው ድቕድቕ
ጸልማት ኰይኑዶ ኺፈርድ ይኽእል እዩ 14 ከይርኢ ደበና ጋሪድዎ፡ ምምልላሱውን ኣብ ዙርያ ሰማይ እዩ፡
ትብል ኣሎኻ። 15 በታ እቶም እኩያት ሰባት ዝረገጽዋ ናይ ቀደም መገዲዶ ኽትከይድ ደሊኻ ኢኻ 16
እቶም ጊዜኣቶም ከይበጽሖ እተቐዝፉ፡ መሰረቶም ከም ውሒዝ ዝወሐዘ ሰባት፡ 17 ንሳቶም ንኣምላኽ፡
ካባና ኣግልስ፡ እቲ ኹሉ ዚኽእል እንታይ ኰን ኪገብረና እዩ በልዎ። 18 ግናኸ ነባይቶም ብጽቡቕ ነገር
መልኤን፡ ምኽሪ እቶም ረሲኣን ካባይ ደኣ ይርሓቕ፡ 19-20 ጻድቃን፡ ተጻረርትና ብርግጽ ሕጂ
ተመንቀሶም፡ ነቶም ዝተረፉውን ሓዊ በሊዕዎም እዩ፡ ኢሎም ነዚ ርእዮም ኪሕጐሱ እዮም፡ እቲ
ንጹህውን ኬባጭዎም እዩ። 21 እምበኣር ምስኡ ተፋቐር ብሰላምውን ንበር፡ በዚ ጽቡቕ ክትረክብ ኢኻ።
22 ካብ ኣፉ ደኣ ሕጊ ተቐበል፡ ንቓሉውን ኣብ ልብኻ ዕቈሮ። 23 ናብቲ ኹሉ ዚኽእል እንተ ተመለስካ፡
ንዓመጻ ኻብ ድንኳንካ እንተ ኣርሐቕካዮ፡ ከም ብሓድሽ ክትስራሕ ኢኻ። 24 ንመዝገብካ ናብ መሬት፡
ንወርቂ ኦፊርውን ናብ ኣእማን ርባ ኣእማን ርባ ደርብዮ፡ 25 ሽዑ እቲ ኹሉ ዚኽእል ወርቅኻን ዜንጸባርቕ
ብሩርን ኪኾነልካ እዩ። 26 ሽዑ ንስኻ በቲ ኹሉ ዚኽእል ባህ ኪብለካ፡ ገጽካውን ናብ ኣምላኽ ከተልዕል
ኢኻ። 27 ክትልምኖ፡ ንሱውን ኪሰምዓካ እዩ፡ ምብጽዓኻውን ክትፍጽም ኢኻ። 28 ዝሐሰብካዮ ዘበለ
ኺሰልጠልካ፡ ብርሃንውን ኣብ መንገድኻ ኺበርሃልካ እዩ። 29 እንተ ኣዋረዱኻ፡ ናብ ላዕሊ፡ ክትብል
ኢኻ። ነቲ ትሑት ሰብ ኬናግፎ እዩ። 30 ንሱ ንዘይንጹህ ድማ ኬናግፎ እዩ፡ ብንጽህና ኣእዳውካ እዩ
ዚናገፍ።

# ምዕራፍ 23

1 ድሕርዚ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ሎሚውን ቍዝማይ ይተሃላለኽ ኣሎ፡ ኢዱ ኣብ ልዕሊ እህህታይ ትኸብድ ኣላ።

3 ኣበይ ከም ዝረኽቦ እንተ ዝፈልጥ እሞ፡ ናብ ዝፋኑ ንምብጻሕ እንተ ዝኽእልሲ መን ምሀበኒ። 4 ኣብ
ቅድሚኡ ነገረይ መፍሰስኩ፡ ንኣፈይ ብመርትዒ ምመላእኩ።

5 ነቲ ዚመልሰለይ ቃላት ምፈለጥክዎ፡ እንታይ ከም ዚብለኒ ኸኣ መስተውዐልኩ ነይረ።

6 በቲ ዓብዩ ሓይሉዶ ኺበኣሰኒ እዩኣይፋል፡ ጽን ደኣ ምበለኒ እምበር።

7 ሽዑ እቲ ቕኑዕ ምስኡ ምመጐተ፡ ኣነውን ካብ ፈራድየይ ንሓዋሩ ምተናገፍኩ።

8 እንሆ፡ ንቕድሚት ኣቢለ እንተ ኸድኩ፡ ኣብኡ የሎን፡ ንድሕሪት እንተ ኸድኩውን፡ ኣይረኽቦን።

9 ኣብ ጸጋም እንተ ሰርሐ፡ ኣይርእዮን፡ ኣብ የማን እንተ ተሐብኤ ኸኣ፡ ኣይጥምቶን።

10 ንሱ ግና በየነይቲ መገዲ ኸም ዝኸይድ ይፈልጥ እዩ፡ ይፈትነኒ፡ ከም ወርቂ ኽዀይነ ኸኣ ክወጽእ እየ።

11 ኣእጋረይ ኣሰሩ ሒዘን፡ ተጠንቂቐውን ካብ መገዱ ኣየግለስኩን።

12 ካብ ትእዛዝ ከናፍሩ ኣይዘንበልኩን፡ ካብ መዝገበይ ኣብሊጸ ንቓል ኣፉ ሓሎኽዎ።

13 ግናኸ ናቱ ሓሳብ ሓደ እዩ፡ መንከ ይኽልክሎ ነፍሱ እትደልዮ እዩ ዚገብር።

14 ነቲ እተመደበለይ ኪፍጽሞ እዩ፡ ብዙሕ ከምዚ ዘመሰለ ምስኡ ኣሎ።

15 ስለዚ ኣብ ቅድሚ ገጹ እሽበር፡ እናሐሰብኩ ድማ ብእኡ እስምብድ ኣሎኹ።

16 ኣምላኽ ንልበይ ኣጃጅዩዎ፡ እቲ ዅሉ ዚኽእል የሸብረኒ ኣሎ እምበር፡

17 ኣብ ቅድሚ ጸልማትሲ ኣይጠፋእኩን፡ ንጣቓውን ኣብ ቅድሚ ገጸይ ኣይጋረዶን።

# ምዕራፍ 24

1 ስለምንታይ እቲ ዅሉ ዚኽእል ነቲ ጊዜታት ዘይስውሮ፡ ስለምንታይ ደኣ እቶም ዚፈልጥዎ
ንመዓልትታቱ ዘይርእይወን 2 ንዶብ የዝብልዎ፡ ንኸብቲ ዘሚቶም የውፍርወን። 3 ንዘኽታማት ኣድጎም
የሕድግዎም፡ ንብዕራይ መበለትውን ታሕዚ ይሕዝዎ፡ 4 ንድኻታት ካብ መገዲ ይደፍእዎም፡ እቶም
ጥቑዓት ምድሪ ሐቢሮም ይሕብኡ። 5 እንሆ፡ ከም ኣድጊ በረኻ ምግቢ እናደለዩ ናብ ውዕለቶም ይወጹ፡
በረኻውን ንደቆም ዚኸውን ምግቢ ይህቦም። 6 ኣብ ግራት ቋርፎም ይእክቡ፡ ኣብ ወይኒ እቲ ረሲእ
ይቕርሙ፡ 7 ብዘይ ክዳን ጥራዮም ይሐድሩ፡ ኣብቲ ቝሪ ዚኽደንዎ የብሎምን። 8 ብርቱዕ ማይ ኣኽራን
የጠልቅዮም፡ መጸግዒ ስኢኖም ድማ ከውሒ ይሐቝፉ። 9 ንዘኽታም ካብ ጡብ እኖኡ ይምንጥልዎ፡
ካብ መሳኺን ታሕዚ ይወስዱ። 10 ብዘይ ክዳን ጥራዮም ይኸዱ፡ ብጥሙያቶም እንዳእቲ ይጾሩ። 11 ኣብ
ውሽጢ መካበብያኦም ዘይቲ ይጸምቑ፡ ኣብ መጽመቕ ይጸምቁ እሞ ይጸምኡ። 12 እህህታ እቶም
ውጹዓት ካብቲ ኸተማ ይወጽእ፡ ነፍሳት እቶም ቍሱላት ይጭርሓ ኣለዋ፡ ኣምላኽ ግና ነዚ ዓመጻ ግዱ
ኣይገብርን እዩ። 13 እቲኣቶም ካብቶም ንብርሃን ዚጸልኡ እዮም፡ ንጐደናታቱ ኣይፈልጥወንን፡ ኣብ
መገድታቱ ኣይጸንዑን። 14 እቲ ቐታል ነፍሲ ወጋሕታ ተንሲኡ፡ ነቲ ድኻን ጥቑዕን ይቐትሎ፡ ብለይቲ ኸኣ
ከም ሰራቒ እዩ። 15 ዓይኑ ዘማዊ ንጽልግልግታ ትጽበ፡ ገለ ዓይኒ ኸይትርእየኒ፡ እናበለ ገጹ ይጕልበብ። 16-
17 ንዅላቶም ረፍዲ ኸም ድነ ሞት ይኾኖም፡ ምስ ፍርሃት ድነ ሞት ከኣ ስምምዕ ኣለዎም እሞ፡
ብጸልማት ናብ ቤት ኵዒቶም ይኣትው፡ መዓልቲ ግና ተዐጽዮም ይውዕሉ፡ ንብርሃን ኣይፈልጥዎን

እዮም። 18 ቀልጢፉ ብልዕሊ ማይ ይሰፍፍ፡ ዕድሎም ኣብ ምድሪ ርጉም እዩ፡ ናብቲ መገዲ ኣታኽልቲ
ወይኒ ኣይምለስን። 19 ደርቅን ሃሩርን ንማይ በረድ ይውሕጦ፡ ከምኡውን ሲኦል ነቶም ዝሐጥኡ
ይውሕጦም፡ 20 ማሕጸን ይርስዖ፡ ሓሳኹ ብእኡ ይጸግቡ፡ ዚዝከሮውን የልቦን፡ እከይ ከም ኦም ይስበር።
21 ነታ ዘይወለደት መኻን ይብድላ፡ ንመበለት ጽቡቕ ኣይገብረላን። 22 ንስልጡናት ብሓይሉ ይስሕቦም፡
ይትንስእ እሞ ኲሎም ሰብ ንህይወቶም ይቕብጽዋ። 23 ንሱ ህድኣት ሂቡ የዕርፎም፡ ኣዒንቱውን
ንመገዶም ይቛመታ። 24 ልዕል ይብሉ፡ ድሕሪ ቕሩብ ጊዜ ግና ኣይርከቡን፡ ይወድቁ፡ ከምቶም ካልኦት
ኲላቶም ይእከቡ፡ ከም ርእሲ ሰዊት ከኣ ይቕኈረጹ። 25 ከምኡ እንተ ዘይኰይኑስ፡ መን ሓሳዊ ኺገብረኒ
እዩ ነቲ ዘረባይከ መን ከንቱ ኺገብሮ ይኽእል

## ምዕራፍ 25

1 ድሕርዚ ቢልዳድ ሹዋዊ ኸምዚ ኢሉ መለሰ፡ 2 ምልክን ረዓድን ናቱ እዩ፡ ኣብ ኣርያሙ ሰላም ይገብር።
3 ንሰራዊቱ ኪቘጽሮም ዚኽእል መን እዩ ብርሃኑ ዘይበረቖኸ መን ኣሎ 4 ሰብ ደኣ ኸመይ ገይሩ ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽ ኪጸድቕ ወይ ውሉድ ሰበይቲ ኸመይ ኢሉ ንጹህ ኪኸውን ይኽእል 5-6 ኣሸንኳይ ሰብ
እዚ ሓሰኻ፡ ወዲ ሰብ እዚ እብእብሲ፡ እንሆ፡ ወርሒ እኳ ደሚቓ ኣይትበርህን፡ ከዋኽብቲውን ኣብ
ቅድሚኡስ ጽሩያት ኣይኰኑን።

## ምዕራፍ 26

1 ድሕርዚ እዮብ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡

2 ነቲ ሓይሊ ዜብሉ ኸመይ ዝበለ ሓገዝ ሐገዝካዮ፡ ነቲ ጽንዓት ዝሰኣነ ቕልጽምውን ኣድሓንካዮ።

3 ነቲ ጥበብ ዝሰኣነ ኸመይ ዝበለ ምኽሪ ሀብካዮ። ክንደይ ፍልጠትከ ዘይገለጽካሉ።

4 ንመን ኢኻ ዘረባ እተዛረብካዮ እቲ ኻባኻ ዚወጽእ መንፈስከ ናይ መን እዩ

5 ምውታትሲ ኣብ ትሕቲ ማያትን ኣብ ትሕቲ እቶም ኣብኡ ዚነብሩን የንቀጥቅጡ ኣለው፡

6 ሲኦል ኣብ ቅድሚኡ ዕሩቕ፡ መዓሙቕኡውን ቅሉዕ እዩ። 7 ንሰሜን ኣብ ባዶ ይዝርግሖ፡ ንምድሪ ኣብ
ገለ ዜብሉ የንጠልጥላ።

8 ንማያት ኣብ ደበናኡ ይቘጽሮ፡ እቲ ደበናውን ብትሕቲኡ ኣይቕደድን።

9 ደበናታቱ እናዘርግሓሉ፡ ንገጹ ዝፋኑ ይስውሮ።

10 ብርሃንን ጸልማትን ክሳዕ ዚፋላለ፡ ንማይ ብኽቢ ወሰኖ።

11 ኣዕኑድ ሰማይ የንቀጥቅጡ፡ ብተግሳጹውን ይሸበሩ።

12 ብሓይሉ ንባሕሪ የናውጾ፡ ብጥበቡ ኸኣ ንትዕቢት ይወቕዖ።

13 ብመንፈሱ ሰማያት ይጸሪ፡ ኢዱ ነቲ በራሪ ገበል ወግኣቶ።

14 ከብቲ መገዱስ እንሆ፡ እዚ ሓደ ጫፍ ጥራይ እዩ፡ እቲ ብዛዕባኡ እንሰምዖ ሕሸኹሸኹስ ክንደይ
ቅሩብ እዩ፡ ነቲ ነጐዲ ስልጣኑኸ መን እዩ ኼስተውዕሎ ዚኽእል

# ምዕራፍ 27

1 እዮብ መሊሱ ብምስላኡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡

2 እቲ ንነፍሰይ ዜመርራ ኹሉ ዚኽእል፡ ንመሰለይውን ዘግደፈኒ ኣምላኽይ ህያው እዩ፡ 3 እስትንፋሰይ
ኣብ ውሽጠይ፡ መንፈስ ኣምላኽውን ኣብ ኣፍንጫይ ክሳዕ ዘሎ፡

4 ከናፍረይ ከቶ ሕሰም ኣይኪዛረባን፡ ልሳነይውን ሓሶት ኣይከተውስእን እያ።

5 ንኣኻትኩም ቅኑዓት ኢኹም ምባለይስ ካባይ ይርሓቕ፡ ክሳዕ ሞተይ ካብቲ ብዘይ ጕድለት ምዃነይ
ኣየግልስን።

6 ንጽድቀይ ኣጽኒዔ እሕዞ፡ ከቶ ኣይሰዶን፡ ካብተን መዓልትታተይ ልበይ ስለ ሓንቲ እኳ ኣይነቕፈንን።

7 ጸላእየይ ከም ረሲእ፡ ዝቃወመኒ ኸም እኩይ ይኹን።

8 እቲ ረሲእ፡ ንነፍሱ ኣምላኽ እንተ ቈረጸን እንተ መንጠላንሲ፡ እንታይ ተስፋ ኣለዎ

9 መከራ እንተ ወረዶስ፡ ኣምላኽ ዶኸን ምህልላኡ ይሰምዖ ይኸውን

10 ወይስ ነቲ ኹሉ ዚኽእል ሃረርዶ ይብሎ እዩ ኲሉ ጊዜዶ ናብ ኣምላኽ ይምህለል እዩ

11 ኣነ ብዛዕባ ኢድ ኣምላኽ ክምህረኩም፡ ንሓሳባት እቲ ኹሉ ዚኽእል ኣይክሓብኣልኩምን እየ።

12 እንሆ፡ ኲላኹም ባዕልኻትኩም ርኢኹምዎ፡ ስለምንታይ ደኣ ኸንቱ ትዛረቡ ኣሎኹም

13 ኣምላኽ ነቲ ረሲእ ዚህቦ ዕድል፡ እቲ ጨካን ካብቲ ኹሉ ዚኽእል ዚቕበሎ ርስቲ እዚ እዩ፡

14 ደቁ እንተ በዝሑ፡ ኣደዳ ሰይፊ እዮም፡ ውሉዱውን እንጌራ ኣይጸግቡን፡

15 እቶም ተርፉ ብሞት ይቕበሩ፡ መበለታቱውን ኣየልቅሳን።

16 ንብሩርስ ከም ሓመድ እንተ ኣከቦ፡ ንኽዳውንቲውን ከም ጭቃ እንተ ደለቦ፡

17 ንሱ ይድልብ፡ ግናኸ እቲ ጻድቕ እዩ ዚኽደኖ፡ ነቲ ብሩርውን እቲ ንጹህ ይማቐሎ።

18 ከም ቍንቍኔ ቤቱ ይሰርሕ፡ ከምቲ ሓላዊ ዝሰርሓ ጐጆ እያ።

19 ብሃብታሙ ይድቅስ፡ ምስኡ ገለ እኳ ኣይማላእን፡ ኣዒንቱ ቘሕ የብል እሞ የሎን፡

20 ፍርሃት ከም ማያት ኰይኑ የርክቦ፡ ህቦብላ ብለይቲ ይምንጥሎ።

21 ንፋስ ምብራቕ ኣልዒሉ ይወስዶ፡ ካብቲ ቦታኡ ይነቕሎ።

22 ኣምላኽ ብዘይ ምሕረት ይውርውረሉ፡ ካብ ኢዱ ቀልጢፉ ኺሀድም ይደሊ።

23 ሰባት ኣእዳዎም የጣቕዑሉ፡ ካብ ቦታኡ እናፋጸዩ የውጽእዎ።

## ምዕራፍ 28

1 ንብሩርስ ሙብቈሊ፡ ነቲ ወርቂውን ዚፈስሉ ቦታ ኣለዎ።

2 ሓጺን ካብ ምድሪ፡ ኣስራዚ ኸኣ ካብ እምኒ እዩ መኺኹ ዚወጽእ።

3 ሰብ ንጸልማት ወሰን ይገብረሉ፡ ናይ ጸልማትን ናይ ድነ ሞትን ኣእማን ክሳዕ መወዳእታ
ይምርምሮ።

4 ካብቲ ሰብ ዚነብረሉ ርሒቑ፡ ንታሕቲ ኣዕሚቑ ይኹዕት፡ ካብ እግሪ ተረሲዖም፡ ካብ ሰብ ርሒቖም፡
ተንጠልጢሎም ይዝምብዩ።

5 ካብ ምድሪ እዩ እንጌራ ዚወጽእ፡ መዓሙቓ ግና ከም ብሓዊ ይግምጠል።

6 እቲ ኣእማና ናይ ሰፈሮስ ስፍራ እዩ። ድኹም ወርቂ ኸኣ ኣብኡ ይርከብ።

7 ነታ መገዲ እቲኣ ነፋሪ ዘበለ ኣይፈልጣን፡ ዓይኒ ንስሪውን ኣይረኣየታን።

8 እቶም ዕቡያት ኣራዊት ኣይረገጽዋን፡ ኣንበሳውን ኣይሐለፋን።

9 ሰብ ንኢዱ ናብ እምኒ ብላድ ይዝርግሓ፡ ነኸራን ካብ ሱሩ ይግምጦ።

10 ኣብ ውሽጢ ኣኻውሕ ነኺላት ይነድል፡ ዓይኑውን ኣብኡ ኽቡር ዘበለ ትርኢ።

11 ንመገዲ ማያት ከይነጥብ ይዕብሶ፡ ንስውር ነገር ናብ ብርሃን የውጽኦ።

12 ግናኸ ጥበብስ ኣበይ እያ እትርከብ ምስትውዓልከ ኣበይ እዩ ቦታኣ

13 ዋጋኣ ዚፈልጥ ሰብ የልቦን፡ ኤረ ኣብ ምድሪ ህያዋን እኳ ኣይትርከብን።

14 መዓሙቕ፡ ንሳ ኣባይ የላን፡ ይብል፡ ባሕሪውን፡ ምሳይስ የላን፡ ይብል።

15 ብጽሩይ ወርቂ እኳ ኣይትዕደግን፡ ብሩር ንዋጋኣ ኣይምዘንን እዩ።

16 ብወርቂ ኦፊርን ብኽቡር ዕንቍን ሰፈሮስን ኣይትምዘንን፡

17 ወርቅን መረጸንን ኣይመስልዋን፡ ነቓሑ ወርቂውን ኣይትልወጥን።

18 ብዛዕባ ኣዕናቕን ክርስታልን እኳ ኣይዘረብ፡ ምጥራይ ጥበብስ ካብ ሉል ዚበልጽ እዩ።

19 ናይ ኢትዮጵያ ቶጳዝዮን እኳ ኣይመሳሰላን፡ ብጽሩይ ወርቂውን ኣይትምዘንን እያ።

[20] ኤረ ጥበብስ ካበይ እያ እትመጽእ ቦታ ምስትውዓልከ ኣበይ እዩ ዘሎ

[21] ካብ ዓይኒ ኹሎም ህያዋን ሕብእቲ እያ፡ ካብ ኣዕዋፍ ሰማይውን ክውልቲ እያ።

[22] መዓሙቕን ሞትን፡ በእዝንና ወሬኣ ሰሚዕና፡ ይብሉ፡ [23-24] ንወሰናት ምድሪ ዚቋመቶ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ
ሰማይ ዘሎ ኹሉ ዚርእዮ ንሱ እዩ እሞ፡ ንመገዳ ዜስተውዕሎስ ኣምላኽ እዩ፡ ንቦታኣ ዚፈልጥ ንሱ እዩ።

[25] ንሱ ንንፋስ ሚዛን ምስ ገበረሉ፡ ንማይ ከኣ ብስፍሪ ምስ መዘኖ፡

[26] ንዝናምሲ ሕጊ፡ ንበርቂ ነጐዳ መገዲ ምስ መደበሉ፡

[27] ሽዑ ረኣያ እሞ ገለጻ፡ ኣቕሙውን መርመራ።

[28] ንሰብ ድማ፡ እንሆ፡ ፍርሃት እግዚኣብሄርሲ ጥበብ እዩ፡ ካብ ክፉእ ምርሓቕ ከኣ ምስትውዓል እዩ፡
በለ።

# ምዕራፍ 29

[1] እዮብ መሊሱ ብምስላኡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡

[2] ኣየ፡ ከም በተን ቀዳሞት ኣዋርሕ፡ ከም በተን ኣምላኽ ዝሐለወኒ መዓልትታት እንተ ዝኸውን እሞ መን
ምሀበኒ።

[3] ሙብራህቱ ኣብ ርእሰይ ኪደምቕ ከሎ፡ ብብርሃኑውን ንጸልማት ክሐልፎ ኸሎኹ፡

[4] ከምቲ ብዘመን ጒብዝናይ ዝነበርክዎ፡ ምስጢር ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ድንኳነይ ኪዐርፍ ከሎ፡

[5] እቲ ኹሉ ዚኽእል ምሳይ ኪነብር ከሎ፡ ደቀይውን ኣብ ዙርያይ ኪቔሙ ኸለው፡ [6] ስጒምተይ ኣብ
ጠስሚ ኽሐጽብ ከሎኹ፡ ርባታት ዘይቲ ኻብቲ ኸውሒ ኺውሕዘለይ ከሎ፡ ከምተን መዓልትታት
እቲኤን እሞ መን ምሃበኒ።

[7] ኣብ ደገ ኸተማ ኽወጽእ፡ ኣብ ኣደባባይውን መንበረይ ከተክል ከሎኹ፡

[8] መንእሰያት ርእዮምኒ ይሕብኡ፡ ሽማግሌታትውን ተንሲኦም ይቔሙ ነበሩ፡

[9] መኳንንቲ ኸኣ ምዝራብ ይሐድጉ፡ ኣፎም ከኣ ብኢዶም ይኸድኑ ነበሩ።

[10] ድምጺ መሳፍንቲ ተሐብኤ፡ መልሓሶምውን ኣብ ትንሓጎም ተጣበቐ። [11-12] ነቲ ዚጠርዕ ጥቑዕ፡ ነቲ
ረዳኢ ዜብሉ ዘኽታምውን ኤናግፎ ነበርኩ እሞ፡ ዝሰምዓትኒ እዝኒ ትምርቐኒ፡ ዝረኣየትኒ ዓይኒ ኸኣ
ትምስክረለይ ነበረት።

[13] ምርቓ እቶም ውጹዓት በጺሑኒ፡ ንልቢ መበለታትውን እልል ኣቢለዮ።

[14] ንጽድቂ ለቢሰያ፡ ንሳውን ለቢሳትኒ። ፍትሔይ ከም ባርኖስን ዘውድን ነበረት።

15 ዓይኒ ንዝዖረ፡ እግሪውን ንዝሐንከሰ እኹኖ ነበርኩ።

16 ንድኻታትውን ኣቦኦም ነበርኩ፡ ነቲ ኣነ ዘይፈለጥክዎ ኸኣ ነገሩ መርመርኩሉ።

17 ንምንጋጋ ዓማጺ ሰበርኩ፡ ነቲ ዝዘረፎ ድማ ካብ ኣስናኑ መንጠልክዎ።

18 ኣነ ሽዑ፡ ኣብ ቤተይ ክመውት፡ ንመዓልትታተይውን ከም ሑጻ ኽብዝሔን እየ፡

19 ሱረይ ናብ ማይ ኪዝርጋሕ፡ ኣውሊ ኣብ ጨናፍረይ ኪሐድር እዩ።

20 ክብረይ ኣባይ ክትሕደስ፡ ቀስተይ ከኣ ኣብ ኢደይ ክትልምልም እያ፡ በልኩ።

21 ንኣይ ጽን ኢሎም ይጽበዩ፡ ንምኽረይውን ስቕ ኢሎም ይሰምዕዎ ነበሩ።

22 ድሕሪ ዘረባይ መሊሶም ኣይተዛረቡን፡ ዘረባይ ኣብ ልዕሊኦም የንጠብጥብ ነበረ።

23 ከም ንዝናም ይጽበዩኒ፡ ከም ንዝናም ጽብሓት ኣፎም ሃህ ኣቢሎም ነበሩ።

24 ክምስ ምስ በልክዎም፡ ኣይኣመኑንን፡ ንፍሽሕውነት ገጸይ ኬጸውግዎ ኣይከኣሉን።

25 መገዶም መርመርኩ እሞ ከም ሓለቓ ተቐመጥኩ፡ ኣብ ማእከል ሰራዊቱ ኸም ዚቕመጥ ንጉስ፡ ከምቲ
ንሕዙናት ዜጸናንዕ እቕመጥ ነበርኩ።

# ምዕራፍ 30

1 ሕጂ ግና እቶም ብዕድመ ዚንእሱኒ፡ ነቦታቶም ምስቶም ኣኽላባት መጓሰይ እኳ ዘይመሕበርክዎም፡
ይንዕቁኒ ኣለው።

2 እዞም ናብ ዝበሰለ ዕድመ ኺበጽሑ ዘይኽእሉ ሰባት፡ ሓይሊ ኣእዳዎም እንታይ ኪጠቕመኒ እዩ

3 ብስእነትን ጥሜትን ዝማህመኑ እዮም፡ ነቲ ኻብ ቀደም ዝጸመወን በረኻ ዝኹነን ንቑጽ ምድሪ
ይግህጽዎ።

4 ካብ ጥቓ ቈጥቋጥ ቈጽሊ ኣምዒ ይቕንጥቡ፡ ሱር ቈጥቋጥ ምግቦም ይገብሩ።

5 ካብ ሕብረት ሰብ ይስጐጉ፡ ከም ንሰራቒ ደድሕሪኦም የድህዩ።

6 ኣብ ዜፍርህ ጋግ፡ ኣብ ጕድጓድ ምድርን ኣብ ማእከል ከውሕን ይነብሩ፡

7 ኣብ ማእከል ዱር ኲይኖም ይጮድሩ፡ ኣብ ትሕቲ እሾኹ ይእከቡ።

8 ውሉድ ደናቖርቲ፡ ስም ዜብሉ ዓሌት፡ ተገሪፎም ካብ ሃገር እተሰጉ ኣዮም።

9 ሕጂ ኣነ መድረፊኦም ኰንኩ፡ መዛረቢኦምውን ገበሩኒ፡

10 ርሒቕ ካባይ ሀዲሞም ይፍንፍኑኒ፡ ናብ ገጸይ ጡፍ ኪብሉ ኣይሐፍሩን እዮም።

11 ገመደይ ፈቲሑ ኣዋረደኒ እሞ፡ ነቲ ልጓም ኣብ ቅድመይ ደርበይዎ።

12 እዞም ሕማቓት ኣብ የማነይ ይትንስኡ፡ ነእጋረይ ይደፍእወን፡ ናይ ጥፍኣት መገዶም ኣብ ልዕለይ ይድርብዩ ኣለው።

13 ንመገደይ የፍርስዋ ኣለው፡ ንርእሶም እኳ ረዲኤት ዜብሎምስ፡ ንጥፍኣተይ ይተሓጋገዙ።

14 ብገፊሕ ነቓዕ ከም ዚኣትው ኰይኖም ይመጹኒ፡ ብፍሩስ መካበብያ ኣንካራርዮም ይኣትው።

15 ስምባደ ይወርደኒ፡ ከም ህቦብላ ኰይኖም ንኽብረይ የባርርዎ፡ ጣዕሚ ንብረተይ ከም ደበና ሐሊፉ።

16 ሕጂ ድማ ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ትመክኽ ኣላ፡ መዓልትታት መከራ ሒዘናኒ፡

17 ብለይቲ ኣዕጽምተይ ይንደል፡ ዚቖራጥመኒ ቓንዛ ኣይዐርፍን እዩ።

18 ብብርቱዕ ሓይሊ ሕማመይ ክዳነይ ተበላሸዩ፡ ከም ክሳድ ቀምሽይ ጠሚሩኒ።

19 ናብ ጭቃ ደርብዩኒ፡ ከም መሬትን ሓመኹስትን ኰይነ።

20 ናባኻ እምህለል ኣሎኹ፡ ኣይትመልሰለይን፡ ደው ኢለ እኔኹ፡ ተኩርካ ትጥምተኒ ኣሎኻ።

21 ናብ ጨካን ተለዊጥካኒ፡ በታ ብርትዕቲ ኢድካ ትቃወመኒ ኣሎኻ።

22 ሓፍ ኣቢልካ ብህቦብላ ትሕልፈኒ፡ ብሸምበባውን ተምክኽኒ ኣሎኻ።

23 ኤረ ናብቲ ኲሎም ህያዋን ዚእከቡሉ ቤት፡ ናብ ሞት ከም እትወስደኒ እፈልጥ ኣሎኹ።

24 ግናኸ ዚወድቕ ሰብዶ ኢዱ ኣይዝርግሕን ወይስ ጥፍኣት ዝመጾዶ ኣየእውን እዩ

25 ኣነስ ነቲ ጽጉም መዓልቲ ዝረኸቦዶ እበኽየሉ ኣይነበርኩን ንድኻውን ነፍሰይ ትሐዝነሉዶ ኣይነበረትን

26 እንሆ፡ ራህዋ ንምርካብ ተስፋ ገበርኩ፡ ግናኸ ጸበባ መጸ፡ ብርሃን ተጸቤኹ፡ ግናኸ ጸልማት መጸ።

27 ኣምዑተይ ይፈልሕ እሞ ኣይዐርፍን እዩ፡ መዓልትታት መከራ ተጓኒፈናኒ።

28 ብዘይ ጸሓይ ጸሊመ እዘውር ኣሎኹ፡ ኣብ ማእከል ማሕበርውን እናተሳእኩ ኤእዊ።

29 ንወኻሩ ሓወን፡ ንሰገናትውን መሓዝኤን ኰንኩ።

30 ቈርበተይ ጸሊሙ፡ ካብ ስጋይውን ተፋላልዩ፡ ኣዕጽምተይ ከኣ ብረስኒ ሐሪሩ።

31 ስለዚ መሰንቆይ ናብ ሓዘን፡ ዕንዱረይ ከኣ ናብ ደሃይ ብኽያት ተለዊጡ።

# ምዕራፍ 31

1 ምስ ኣዒንተይ ኪዳን ተኣታቶኹ፡ ከመይ ኢለ ደኣ ናብ ቈንጆ ግልጽ ክብል

2 እቲ ግደ ኣምላኽ ካብ ላዕሊ፡ እቲ ርስቲ ናይቲ ኹሉ ዚኽእል ካብ ላዕሊ እንታይ እዩ

3 ጥፍኣት ንዓመጽቲ፡ ጸገማውን ንገበርቲ እከይ ደይኰነን ዚመጾም

4 ንሱስ ንመገደይዶ ኣይርእያን ንኹለን ስጕምተይከ ኣይቈጽረንንዶ እዩ

5 ምስ ከንቱነት ሕብረት እንተ ኣሎኒ፡ እግረይ ናብ ጥልመት ትቕልጥፍ እንተ ኾይና፡ 6 ኣምላኽ ንጹህ
ምዃነይ ምእንቲ ኺፈልጥሲ፡ ኣነ ብቕኑዕ ሚዛን እምዘን፡

7 ስጕምተይ ካብ መገዲ እንተ ዘምበለን፡ ልበይ ደድሕሪ ኣዒንተይ ስዒቡ እንተ ኾይኑ፡ ኣእዳወይ ገለ
ርስሓት ተጸይቕን እንተ ኾይነንሲ፡

8 ነቲ ዝዘራእክዎ ኻልእ ይብልዓዮ፡ ፈልሰይውን ካብ ሱሩ ይመንቈስ።

9 ልበይ ብገለ ሰበይቲ ተሀንዚሉስ፡ ኣብ ደገ ቤት ብጻየይ ተጸናትየ እንተ ኾይነ፡ 10-12 ኤረ እዚ ነውሪ
እዩ፡ ፈራዲ ዚቕጽዖ ሓጢኣት እዩ፡ ክሳዕ ሲኦል ዚበልዕ ሓዊ፡ ንጥሪተይ ክሳዕ ሱሩ ዜጥፍእ እዩ እሞ፡
ሰበይተይስ ንኻልእ ሰብኣይ ትጥሐን፡ ካልኦት ሰባትውን ይሕቈፍዋ።

13 ጊልያይን ገረደይን ምሳይ እንተ ተቛየቑስ፡ ንመሰሎም እንተ ነዐቕክዎ፡

14 ኣምላኽ ምስ ተንስኤ ደኣ፡ እንታይ ክገብር፡ ምስ ተቛጻጸረንስ፡ እንታይ ክመልሰሉ እየ

15 እቲ ንኣይ ዝፈጠረ ኣብ ማሕጸን ወላዲት ንእኡ ፈጢሮ እቲ ኣብ ከርሲ ወላዲት ዝሀነጸና ሓደዶ
ኣይኰነን

16 ነቲ መስኪን ለሚኑኒ ኸሊኤዮ እንተ ኾይነ፡ ንዓይኒ መበለት ሃረር ኣቢለያ እንተ ኾይነ፡

17 ንቕሩራስ እንጌራይ በይነይ በሊዔያ እንተ ኾይነ፡ እቲ ዘኽታም ካብኡ ዘይበልዔ እንተ ኾይኑ፡ 18
ንሱስ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ደኣ ኸም ምስ ኣቦኡ ምሳይ ዐበየ፡ ካብ ከርሲ ወላዲተይ ጀሚረ ኸኣ ንእኣ
መራሕክዋ።

19 ንዕሩቕ ሰኣን ክዳን ኪጠፍእ፡ ወይስ ንድኻ ብዘይ ማቕ ርእየዮ እንተ ኾይነ፡

20 ጕኑ ዘይመረቐኒ፡ ጸጕሪ ኣባጊዔይ ዘየሞቖ እንተ ኾይኑ፡

21 ኣብ ደገስ ጸግዔይ ርእየ ኢደይ ኣብ ልዕሊ ዘኽታም ኣልዒለ እንተ ኾይነ፡

22 መንኩበይ ካብ መጋጥማ ትፈለ፡ ቅልጽመይውን ካብ ዓጽማ ትሰበር።

23 መዓት ኣምላኽ ኣሰምበደኒ እሞ፡ ኣብ ቅድሚ ግርማኡውን ክቐውም ኣይከኣልኩን።

24 ንወርቂ ተስፋ ጌረዮ፡ ነቲ ጽሩይ ወርቂ፡ እምንቶይ ኢኻ፡ ኢለ እንተ ኾይነስ፡

25 ብእለይ በዚሑለይ ኢደይ ኣብዚሓ ደሊባ፡ ኢለ ተሐጕሰ እንተ ኾይነ፡

26 ንምድማቕ ብርሃን ጸሓይን፡ ነቲ ኽቡር ኣኻይዳ ወርሕን ጠሚተ እንተ ኾይነ፡

[27] ልበይ ብስውር ተጠቢሩስ፡ ኣፈይ ንኢደይ እንተ ተሳሊማ፡

[28] በዚ ኸምዝስ ንልዑል ኣምላኽ ከሓዲኡ ምኾንኩ ነይረ እሞ፡ እዚ ኸኣ ፈራዲ ዚቕጽዖ ኣበሳ ምኾነ ነይሩ።

[29] ብጕድኣት ጸላእየይ ባህ ኢሉኒ እንተ ኾይነ፡ መከራ ምስ ወረዶውን፡ ተሐጒሰ እንተ ኾይነ፡ [30] ንነፍሱ እናረገምኩ ይሙት ክብል ንትንሓገይ ኣይፈቐድኩሉን።

[31] ሰብ ድንኳነይ፡ ካብ ስጋኡ ዘይጸገበ መን ኰን ይኸውን ዘይበሉ እንተ ኾይኖም፡ [32] መጻእተኛ ኣብ ወጻኢ ኣይሐደረን፡ ደጌታተይ ንመንገደኛ ኸፈትኩ። [33-34] ነቲ ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዝፈራህክዎ፡ ኣብ ዓሌት ኣዝማድ ከይንውር ከኣ ስለ ዝሐፈርኩ፡ ስቕ ኢለ ንደገ ኸይወጻእኩ፡ ንበደለይ ኣብ ትሽትሸይ ሐቢኤዮ፡ ንኣበሳይ ከም ግእዚ ሰብ ገይረ ሰዊረዮ እንተ ኾይነስ፡

[35] ኣየ ዚሰምዓኒ እንተ ዝረክብ። እንሆ፡ ጽሕፈት ኢደይ፡እቲ ኹሉ ዚኽእል ይምለሰለይ፡ እቲ ወደረኛይ ድማ ክሱ ይጽሐፍ።

[36] ብሓቂ ኣብ መንኩበይ ምጾርክዎ፡ ዘውደይውን ምገበርክዎ፡

[37] ቊጽሪ ስጕምተይ መፍለጥክዎ፡ ከም መስፍን ኾይነ ምቐረብክዎ።

[38] ግራተይ ጠሪዓትለይ እንተ ኾይና፡ ኲለን ትልምታታውን በኺየን እንተ ኾይነን፡

[39] መሰል ከይሀብኩስ ንፍሬኣ በሊዔዮ እንተ ኾይነ፡ ህይወት ሓረስቶት ኣሕዚነየን እንተ ኾይነ፡ [40] ሽዑ ኣብ ክንዲ ስርናይስ ክርዳድ፡ ኣብ ክንዲ ስገም ከኣ ሰዓዕ ተብቊለለይ። ዘረባ እዮብ ኣብዚ ተፈጸመ።

## ምዕራፍ 32

[1] እዮብ ንርእሱ ጻድቕ ኰይኑ ስለ እተራእዮ፡ እቶም ሰለስተ ሰብኡት ምላሽ ምሃብ ሐደጉ።

[2] ሽዑ ኤሊሁ፡ ወዲ ባርኪኤል ቡዛዊ ኻብ ዓሌት ራም፡ ብኹራ ተናደደ፡ ንእዮብ ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንነፍሱ ስለ ዘጽደቓ፡ ኣበርቲዑ ኹረየሉ።

[3] ነቶም ሰለስተ ፈተውቱውን፡ ንእዮብ ምላሽ ስለ ዘይረኸቡሉ እሞ ስለ ዝፈረድዎ፡ ኲረየሎም።

[4] ብዕድመ ይዐብይዎ ስለ ዝነበሩ፡ ኤሊሁ ንእዮብ ከይተዛረቦ ጸንሔ።

[5] ኤሊሁ ግና፡ ሰለስቲኦም ብኣፎም ዚመልስዎ ስኢኖም ምስ ረኣየ፡ ብኹራ ተናደደ።

[6] ሽዑ ኤሊሁ፡ ወዲ ባርኪኤል ቡዛዊ፡ ከምዚ ኢሉ መለሰ፡ ኣነ ብዕድመ ንኡስ እየ፡ ንስኻትኩም ግና ዓበይቲ ኢኹም፡ ስለዚ ኸኣ ሐፊረስ ክሳዕ ሕጂ ስቕ በልኩ፡ ሓሳበይውን ኣይገለጽኩልኩምን።

[7] ኣነ፡ እተን መዓልትታት ይዛረባ፡ ብዝሒ ዓመታት ከኣ ጥበብ የፍልጥ፡ ኢለ ሐሰብኩ።

[8] ግናኸ እቲ ኣብ ሰብ ዘሎ መንፈስን እስትንፋስ እቲ ኹሉ ዚኽእልን እዩ ምስትውዓል ዚህብ።

[9] ዓበይቲ ኣይኰኑን ጠቢባን ዝኾኑ፡ ሽማግሌታትውን ኣይኰኑን ንቕኑዕ ዜስተውዕሉ።

[10] ስለዚ ድማ ኣነውን ሓሳበይ ክገልጽሲ፡ ስምዑኒ፡ እብል ኣሎኹ።

[11] እንሆ፡ እትዛረብዎ ኽሰምዕ ተጸቤኹ፡ ቃላት ክትምርምሩ ኸሎኹምሲ፡ ንቑም ነገርኩም ጽን በልኩ።

[12] ኣጸቢቐ ኣቕለብኩልኩም እሞ፡ እንሆ፡ ንእዮብ ዘረድኦ ንዘረባኡ ኸኣ ምላሽ ዝሀበሉ ካባኻትኩም ሓደ እኳ የልቦን።

[13] ንስኻትኩም፡ ጥበብ ረኺብና፡ ኣምላኽ እዩ ዜስዕሮ፡ ሰብ ኣይኰነን፡ ኣይትበሉ።

[14] ንኣይስ ገለ እኳ ኣይተዛረበንን፡ ብዘረባኹም ከኣ ኣይክመልሰሉን እየ።

[15] ሰምቢዶም፡ ድሕርዚ ዘረባ ስኢኖም፡ ምላሽ ኣይሀቡን።

[16] ገለ እኳ ኸይመለሱን ከይተዛረቡን፡ ደው ኢሎም እዮም እሞ፡ ኣነ ኽጽበ ድየ

[17] ኣነውን ብታራይ ክመልስ፡ ኣነ ድማ ሓሳበይ ክገልጽ እየ።

[18] ቃላት መሊኡኒ እዩ እሞ፡ እቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ መንፈስ ይድርኸኒ ኣሎ።

[19] እንሆ፡ ውሽጠይ ከም ሕቱም ወይኒ ብጎዕሽ ወይኒ ኪቕደድ ከም ዝቐረበ ሓርቢ እዩ።

[20] ክዛረብ እሞ ከስተንፍስ፡ ከናፍረይ ከፊተስ ክመልስ እየ። [21-22] ንምቅብጣር እኳ ኣይፈልጦን እየ እሞ፡
ንዝኾነ ይኹን ኣድልዎ ገጽ የብለይን፡ ንሓደ እኳ ብምቅብጣር ኣይዛረብን እየ። ከምኡ እንተ
ዝኸውንሲ፡ ፈጣሪየይ ቀልጢፉ ምመንጠለኒ ነይሩ።

## ምዕራፍ 33

[1] ዎ እዮብ፡ ሕጂ ግና ንዘረባይ ስማዕ፡ ንኹሉ ቓለይ ከኣ ጽን በሎ።

[2] እንሆ፡ ኣፈይ እኸፍት ኣሎኹ፡ መልሓሰይውን ኣብ ትንሓገይ ትዛረብ ኣላ።

[3] ዘረባይሲ ቕንዕና ልበይ እይ፡ ከናፍረይ ከኣ ነቲ ዚፈልጣኦ ብቕንዕና ኺነግራ እየን።

[4] መንፈስ ኣምላኽ እዩ ዝፈጠረኒ፡ እስትንፋስ እቲ ኹሉ ዚኽእል እዩ ህይወት ዝሀበኒ።

[5] እንተ ኽኢልካስ ምለሰለይ፡ ተዳሊኻ ኣብ ቅድመይ ቁም።

[6] እንሆ፡ ኣነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከማኻ እየ፡ ኣነ ድማ ካብ መሬት እተገበርኩ እየ።

[7] እንሆ፡ ንኣይ ፈሪህካ ኣይክትሸበርን፡ ኢደይውን ኣይክትከብደካን እያ።

[8] ብሓቂ ኣብ ኣእዛነይ ተዛረብካ፡ ድምጺ ቓላትካ ሰሚዔ፡

[9] ኣነ ብዘይ በደል ጽሩይ እየ፡ ንጹህ እየ፡ ሓጢኣት ከኣ የብለይን።

10 እንሆ፡ ንሱ ምኽንያት ኣባይ ረኺቡ፡ ከም ጸላኢ ይርእየኒ ኣሎ፡

11 ነእጋረይ ኣብ ጕንዲ ኣሲሩወን፡ ንዅለን መገደይ ይቋመተን ኣሎ።

12 እንሆ፡ ኣምላኽ ካብ ሰብ ይበልጽ እዩ እሞ፡ በዝስ ተጋጊኻ ኢለ እመልሰልካ ኣሎኹ።

13 ብነገሩ ምላሽ ኣይህብን እዩ እሞ፡ ስለምንታይ ምስኡ እትካራኸር

14 ኣምላኽ ሓንሳእ፡ ክልተ ሳዕ ይዘረብ፡ ሰብ ግና ኣየቕልብን እዩ።

15 ብሕልሚ፡ ብናይ ለይቲ ራእይ፡ ንሰብ ከቢድ ድቃስ ምስ ወደቖ፡ ኣብ ዓራቱ ምስ ደቀሰ፡ 16-18 ንሰብ
ካብ ግብሩ ምእንቲ ኺመልሶ፡ ካብ ትዕቢትውን ኪስውሮ፡ ንነፍሱ ኻብ ዓሚቝ ምእንቲ ኺባልሃ፡
ንህይወቱውን ካብ ሴፍ ኬናግፋስ፡ ሽዑ ንእዝኒ ሰብ ከፊቱ፡ ንተግሳጹ ይሓትሞ።

19 ሰብ ኣብታ ምድቃሱ ብስቓያት፡ ኣብ ዓጽሙ ዅሉ ጊዜ ብቓንዛ ይቕጻዕ፡

20 ሽዑ ህይወቱ ንእንጌራ፡ ነፍሱውን ንጥዑም ምግቢ ትፍንፍኖ።

21 ዘይርኤ ኽሳዕ ዚኸውን ስጋኡ ይማስን። እቲ ቕድም ዘይተራእየ ኣዕጽምቱ ይቕላዕ።

22 ከምኡ ነፍሱ ናብ መቓብር፡ ህይወቱውን ናብ ቀተልቲ ትቐርብ።

23 ንሰብ እታ ቕንዕቲ መገዲ ዚምህሮ፡ ካብ ኣሽሓትስ ሓደ ማእከላይ ኰይኑ ዚሕልዎ መልኣኽ እንተ
ተረኺበ ግና፡

24 ሽዑ ንሱ፡ ካሕሳ ተቐቢለ እየ እሞ፡ ናብ መቓብር ካብ ምውራድ ኣድሕኖ፡ ኢሉ ይርሕርሓሉ።

25 ስጋኡ ኻብ ናይ ሕጻን ይልምልም፡ ናብ መዓልትታት ጕብዝናኡ ይምለስ።

26 ንኣምላኽ ኪልምኖ እሞ፡ ንሱ ጸጋ ኺህቦ እዩ፡ ንገጹውን ብሓጐስ የርእዮ፡ ነቲ ሰብቲ ጽድቁ
ይመልሰሉ። 27-28 ሽዑ ንሱ፡ ኣነ በደልኩ ፍትሒውን ደፈንኩ፡ ከም ዚግብኣኒ ኸኣ ኣይተቐጻዕኩን፡ ነፍሰይ
ናብ መቓብር ከይትወርድ ተበጅይዋ፡ ህይወተይ ብርሃን ትርኢ ኣላ፡ ኢለ ኣብ ቅድሚ ሰብ ይዝምር። 29-
30 እንሆ፡ ንነፍሱ ኻብ መቓብር ኪመልሳ፡ ብብርሃን ህያዋን ምእንቲ ኽትበርህስ፡ ኣምላኽ ነዚ ዅሉ
ኽልተ ሳዕ፡ ሰለስተ ሳዕ ንሰብ ይገብሮ።

31 ኣታ እዮብ፡ ኣስተብሂልካማ ስማዓኒ፡ ክዛረብሲ ስቕ በል።

32 እትብሎ እንተ ኣልዩካ ምለሰለይ፡ ከጽድቐካ እደሊ ኣሎኹ እሞ፡ ተዛረብ።

33 እንተ ክምህረካስ፡ ጽን በል። ጥበብ ክምህረካስ፡ ስቕ በል።

## ምዕራፍ 34

1 ኤሊሁ ኸም ብሓድሽ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡

[2] ኣቱም ጠቢባን፡ እስኪ ዘረባይ ስምዑ፡ ኣቱም ፍልጠት ዘሎኩም፡ ናባይ ኣቕልቡ።

[3] ትንሓግ ንብልዒ ኸም ዜስተማቕር፡ እዝኒ ንዘረባ ይዕዘቦ።

[4] ቅኑዕ ንምረጽ፡ ንሰናይ ሐቢርና ነስተብህሎ። [5-6] እዮብ፡ ኣምላኽ ደኣ ፍትሒ ደፊኑለይ እምበር፡ ኣነስ
ጻድቕ እየ፡ ቅኑዕ ክነሰይ፡ ከም ሓሳዊ ኾይነ፡ ገለ እኳ ዘይበደልኩስ፡ ቊስለይ ዘይሓዊ እዩ፡ ኢሉ ኣሎ።
[7-8] እዮብሲ፡ ሰብ ናብ ኣምላኽ እንተ ለገበ፡ ገለ እኳ ኣይጥቀምን፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ መሓዛ ገበርቲ ኽፉእ
ዚኸውን፡ ምስቶም ረሲኣን ዚሐብር፡ ንምልጋጽ ከም ማይ ዚሰትዮ፡ ከም እዮብ ዝበለ ሰብከ ኣበይ
ይርከብ

[10] ስለዚ ኣቱም ሰብ ኣእምሮ፡ እስኪ ስምዑኒ፡ ረሲእነት ካብ ኣምላኽ ይርሐቕ፡ ክፍኣትውን ካብቲ ዅሉ ዚኽእል ይርሐቕ።

[11] ንሰብ ደኣ ከከምታ ግብሩ ይፈድዮ፡ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ኣካይዳኡ ገይሩ ዓስቢ ይህቦ።

[12] ብርግጽ፡ ኣምላኽ ዓመጻ ኣይገብርን፡ እቲ ዅሉ ዚኽእል ድማ ፍትሒ ኣይደፍንን።

[13] ንምድሪ ሓደራ ዝሀቦ መን እዩ ንዅላ ዓለም ዝሰረታኸ መን እዩ

[14] ንሱ ንሰብ እንተ ዚሐስቦስ፡ ንመንፈሱን ንስትንፋሱን ናብ ርእሱ ምመለሶ፡

[15] ስጋ ዝለበሰ ዅሉ ሓቢሩ ምጠፍኤ፡ ሰብ ከኣ ናብ መሬት ምተመልሰ ነይሩ።

[16] ምስትውዓል እንተ ኣሎካስ፡ ነዚ ስምዓዮ፡ ናብቲ ድምጺ ቓላተይ ኣቕልብ።

[17] እቲ ንቕንዕና ዚጸልእዶ ኺገዝእ እዩ ነቲ ጻድቕን ስልጡንን ንስኻዶ በዳሊ ኽትገብሮ ኢኻ

[18] ሰብዶ ንንጉስ፡ ኣታ ብልያል፡ ወይስ ንመኳንንቲ፡ ኣቱም ረሲኣን፡ ይብሎም እዩ

[19] ኩላቶም ተግባር ኢዱ እዮም እሞ፡ ገጽ ሓለቓታት ርእዩ ኣየድሉን፡ ንሃብታም ካብ ድኻ ኣዕዚዙ ኣይርእዮን።

[20] ብቕጽበት ዓይኒ ይሞቱ፡ ኣብ ፍርቂ ለይቲ እኳ የንቀጥቅጡን ይሐልፉን፡ እቶም ሓያላት ድማ ብዘይ ኢድ ይንቀሉ።

[21] ኣዒንቱ ኣብ መገዲ ሰብ እየን እሞ፡ ንኹሉ ስጉምቶም ይርእዮ እዩ።

[22] እቶም ገበርቲ ሓጢኣት ዚሕብኡሉ ጸልማት ወይስ ድነ ሞት የልቦን።

[23] ኣምላኽ ንሰብ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኺፈርድ ኢሉ ኺመጽእ ከሎ፡ ተጠንቂቑ ኺጥምቶ ኣየድልዮን እዩ እሞ፡

[24] ንሓያላት ብዘይ ምምርማር ይጭፍልቖም ኣብ ክንድኦም ከኣ ካልኦት የቖውም።

[25] ንተግባሮም ይፈልጦ እዩ እሞ፡ ብለይቲ ይግልብጦም ይቕጥቅጦም ከኣ። [26-28] ገዓር ድኻ ናብኡ
ኺበጽሕ፡ ንገዓር ሽጉራት ድማ ኬስምዕዎስ፡ ንእኡ ኽይስዕቡ ስለ ዘግለሱ፡ ንዅለን መገድታቱ ስለ

ዘይተጠንቀቑለን፡ ከም ንረሲኣን ገይሩ ኣብ ቅድሚ ሰብ ይቐጽዖም። [29-30] ረሲእ ምእንቲ ኸይነግስ፡ ንህዝቢ ኸኣ ወጽመድ ከይከውንሲ፡ ንህዝቢ ወይስ ንሓደ ሰብ ዕረፍቲ እንተ ሀበ፡ መን እዩ ዚዅንኖ ገጹ እንተ ሰወረኸ፡ መን ኣሎ ዚርእዮ [31-32] ንኣምላኽዶ ኸ፡ መከራ ተቐቢለ፡ ድሕርዚ ኣይክብድልን እየ ነቲ ዘይርእዮ ምሀረኒ፡ በዲለ እንተ ዀይነ ኸኣ ኣይክደግምን እየ፡ ዝበለዶ ኣሎ

[33] ንስኻ ኣቢኻዮ ኢኻ እሞ፡ ከም ሓሳብካ ገይሩዶ ፍዳ ኺህብ እዩ ኣነ ዘይኰንኩስ፡ ንስኻ እስኪ ብዛዕባ እዚ ምረጽ፡ ኤረ ነቲ እትፈልጦ ተዛረብ። [34-35] ለባማት ሰባትን ዚሰምዓኒ ጠቢብ ሰብን፡ እዮብ ብዘይ ፍልጠት እዩ ዚዛረብ፡ ቃላቱ ብዘይ ኣእምሮ እዩ፡ ኪብሉኒ እዮም። [36-37] እዮብ ኣብ ማእከልና ኣእዳው የጣቕዕ፡ ብምብዛህ ዘረባ ንኣምላኽ ይከራኸሮ፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣቱ ዓመጻ ይውስኽ ኣሎ እሞ፡ ከምቶም ረሲኣን ገይሩ ምላሽ ስለ ዝህበስ፡ ክሳዕ ፍጻሜ ይፈተን።

## ምዕራፍ 35

[1] ኤሉሁ ኸም ብሓድሽ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡

[2] ንስኻስ፡ ሓለፋ ኣምላኽ ጻድቕ እየ፡ ምባልካ ቅኑዕዶ ይመስለካ

[3] እንታይ ይጠቕመኒ እንተ በደልኩኸ እንታይ ክረብሕ እየ ትብል ኣሎኻ እሞ፡

[4] ነዝስ ኣነ ክመልሰልካ፡ ኤረ ነቶም ብጾትካውን ምሳኻ፡

[5] እስኪ ንሰማያት ኣቢልካ ርኤ እሞ፡ ነቲ ኻባኻ ልዕል ደበና ተመልከቶ።

[6] እንተ በደልካስ፡ እንታይ ትገብሮ፡ ኣበሳኻ እንተ በዝሔኸ፡ እንታይ ትጐድኦ ኢኻ

[7] ጻድቕ እንተ ዀንካ፡ እንታይ ትህቦ ካብ ኢድካስ እንታይ እዩ ዚቕበሎ

[8] ረሲእነትካ ንዝኸማኻ ሰብሲ ይጐድኦ፡ ጽድቅኻውን ንወዲ ሰብ ይጠቕሞ ይኸውን።

[9] ዓመጻ ስለ ዝበዝሔ ይግዕሩ፡ብምኽንያት ቀላጽም እቶም ዓበይቲ የእውዩ። [10-11] ግናኸ እቲ ኻብ እንስሳታት ምድሪ ኣብሊጹ ዘስተምህረና፡ ካብ ኣዕዋፍ ሰማይውን ኣብሊጹ ዘጥበበና፡ እቲ ብለይቲስ መዝሙር ምስጋና ዚህብ ዝፈጠረኒ ኣምላኽከ ኣበይ እዩ ዘሎ ዚብል የልቦን።

[12] ብሰሪ ትዕቢት እኩያት ሽዑ ይጠርዑ፡ ግናኸ ንሱ ምላሽ ኣይህቦምን።

[13] ብሓቂ፡ ኣምላኽ ንኸንቱነት ኣይሰምዖን፡ እቲ ዅሉ ዚኽእል ከቶ ኣየቕልበሉን።

[14] ምናዳ ግና ከም ዘይትርእዮ እንተ በልካ፡ ፍትሒ ኣብ ቅድሚኡ ኣሎ፡ ንስኻውን ተጸበዮ።

[15] ሕጂኸ ብቑጥዓኡ ስለ ዘይቀጽዔ፡ ንድፍረት ከም ዘይፈልጦዶ ይመስለካ ኣሎ

[16] እምበኣርከ እዮብ ብኸንቱ ኣፉ ይኸፍት፡ ብዘይ ፍልጠት ከኣ ዘረባ የብዝሕ ኣሎ።

## ምዕራፍ 36

1 ኤሊሁ ወሲኹ ተዛረበ፡

2 ስለ ኣምላኽ ገና ዚዝረብ ኣሎኒ እሞ፡ ኣነ ኽምህረካ ቕሩብ ጽናሕ።

3 ንፍልጠተይ ካብ ርሑቕ ከምጽኦ እየ፡ፈጣርየይ ጻድቕ ከም ዝኾነ ኽርኢ እየ።

4 ብሓቂ፡ ዘረባይ ሓሶት ኣይኰነን፡ ፍጹም ፍልጠት ዘለዎ ምሳኻ ኣሎ።

5 እንሆ፡ ኣምላኽ ስልጡን እዩ፡ ግናኸ ንሓደ እኳ ኣይንዕቕን፡ ብሓይሊ ምስትውዓሉ ስልጡን እዩ።

6 ንህይወት ረሲእ ኣይሕልዋን፡ ንመሳኺን ግና ፍትሒ የውጽኣሎም።

7 ኣዒንቱ ኻብ ጻድቃን ኣይመልሰንን፡ ንሓዋሩ ምስ ነገስታት ኣብ ዝፋን የቐምጦም፡ እሞ ልዕል ይብሉ።

8 ብሰንሰለት እንተ ተኣሰሩ፡ በግማድ ሽጋር እንተ ተታሕዙ፡

9 ንሱ ንተግባሮም፡ ነቲ ብትዕቢት ዝገበርዎ ምትሕልላፎም የፍልጦም።

10 እዝኖም ንተግሳጽ ከፊቱስ፡ ካብ ሓጢኣት ኪምለሱ ይእዝዞም።

11 እንተ ሰምዕዎ እሞ እንተ ተገዝእዎ፡ መዓልትታቶም ብሰናይ፡ ዓመታቶምውን ብደስታ ይፍጽሙ።

12 እንተ ዘይሰምዑ ግና፡ ብሰይፊ ኺጠፍኡ፡ ብዘይ ፍልጠትውን ኪሞቱ እዮም።

13 እቶም ብልቦም ረሲኣን ዝኾኑ ግና ኲራ የብዝሑ፡ እንተ ኣሰሮም ከኣ ኣየእውዩን።

14 ነፍሶም ብሰዊታ ትቕዘፍ፡ ህይወቶም ከኣ ኣብ ማእከል ርኹሳት ትጠፍእ።

15 ንሽጉር ብሽጋሩ ገይሩ የድሕኖ፡ ብጭንቀትውን ንእዝኖም ይኸፍቶ።

16 ከምኡ ድማ ንኣኻ ኻብ ኣፍ ጸበባ ናብቲ ጭንቂ ዜብሉ ገፊሕ ቦታ ኺውጽኣካ፡ ስቡሕ መኣዲውን
ኪቕርበልካ እዩ።

17 ንስኻ ግና ፍርዲ ረሲእነት መሊእካ ኣሎኻ፡ ፍርድን ፍትሕን ሒዘናኻ እኔዋ።

18 ኲራ ናብ ጸርፊ ኸይደፍኣካ ተጠንቀቕ፡ ካሕሳ እንተ በዝሔ እኳ፡ ኣየጋግ ኻ።

19 ሃብትኻን ኲሉ ምብርታዕ ሓይልኻን ካብ ጸበባ ኼውጽኣካዶ ይኣክል እዩ

20 ነታ ነህዛብ ካብ ቦታኦም እትጸርጎም ለይቲ ኣይትናፍቃ።

21 ካብ መከራ ንሓጢኣት መሪጽካ ኢኻ እሞ፡ ናብኡ ኸይትምለስ ተጠንቀቕ ደኣ።

22 እንሆ፡ ኣምላኽ ብሓይሉ ልዑል እዩ፡ ከምኡ ገይሩ ዚምህርከ መን እዩ

23 መገዱ ዝሐበሮ መን እዩ መንከ፡ ሓጢኣት ገርካ፡ ኪብሎ ይኽእል

24 ነቲ ሰባት ዚውድስዎ ተግባሩ ከተዕብዮ ደኣ ዘክር።

[25] ኲሎም ይጥምትዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማዕድዩ ይርእዮ።

[26] እንሆ፡ ኣምላኽ ዓብዩ እዩ፡ ኣይንፈልጦን ኢና፡ ቍጽሪ ዓመታቱ ኸኣ ኣይምርመርን።

[27] ንነጥብታት ማይ ንላዕሊ ይስሕቦ፡ ካብ ግመ ኸኣ ዝናም ይዘንም።

[28] ደበናታት የንጠብጥቦ፡ ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ሰብውን የፍስሶ።

[29] ኤረ ንምዝርጋሕ ደበናታት፡ ነቲ ኻብ ድንኳኑ ዚወጽእ ደሃይውን መን እዩ ዜስተውዕሎ

[30] እንሆ፡ ንብርሃኑ ኣብ ዙርያኡ ይዝርግሖ፡ ንመዓሙቝ ባሕሪ ኸኣ ይሸፍኖ።

[31] በዚ ኸምዚ ነህዛብ ይፈርዶም፡ ምግቢ ድማ ኣበርኪቱ ይህብ።

[32] ነእዳው ብመብረቕ ይስውረን፡ ናብቶም ተጻረርቲ ይውርውሮ።

[33] ነጐዳጓዱ ስሌኡ ይነግር፡ እንስሳታት ከኣ ምቕራብ ይፈልጡ።

# ምዕራፍ 37

[1] እወ፡ በዝስ ልበይ የንቀጥቅጥ፡ ካብ ስፍራኡ ኸኣ ይናወጽ ኣሎ።

[2] ኣታ ስምዑ፡ ነቲ ምህማም ድምጹ፡ ነቲ ኻብ ኣፉ ዚወጽእ ደሃይ ስምዕዎ።

[3] ንእኡ ናብ ትሕቲ ዅሉ ሰማይ ንመብረቑውን ክሳዕ ወሰን ይሰዶ።

[4] ድሕርዚ ድምጺ ይጓዝም፡ በቲ ግርማዊ ድምጺ የንጐድጒድ፡ ድምጺ ምስ ዚስማዕውን፡ ንበርቅታት ኣይኽልክሎን።

[5] ኣምላኽ ብድምጹ ዜደንቕ ገይሩ የንጐድጒድ፡ ዘይነስተውዕሎ ዓበይቲ ነገር ይገብር።

[6] ንውርጭውን ንነጠብጣብ ዝናምን ንብርቱዕ ጸፍዕን፡ ናብ ምድሪ ውረድ፡ ይብሎ።

[7] ኲሎም ሰብ ተግባሩ ምእንቲ ኺፈልጡስ፡ንኢድ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ይሐትሞ።

[8] ሽዑ ኣራዊት ነናብ መሕብኢኦም ይኣትው፡ ኣብ በበዓቶም ይቕመጡ።

[9] ህቦብላ ኻብቲ ሕቡእ ስፍራኡ፡ ዛሕሊ ኸኣ ካብ ሰሜን ይወጽእ።

[10] ብእስትንፋስ ኣምላኽ በረድ ይኸውን፡ ምግፋሕ ማያት ድማ ይጸብብ።

[11] ንደበናታት ማይ ይጽዕኖም፡ ንናይ መብረቕ ደበናታትውን ይብትኖም።

[12] እዚኣቶም፡ ነቲ ንሱ ዚእዝዞም ዘበለ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ገጽ ምድሪ ምእንቲ ኺገብሩስ፡ ብእኡ እናተመርሑ ናብዝን ናብትን ይመላለሱ ኣለው።

[13] ወይ ንመቕጻዕቲ ወይ ንምድሩ ወይ ንምሕረት የውርዶም።

14 እምበኣርስከ ዎ እዮብ፡ ነዚ ስማዕ፡ ንተኣምራት ኣምላኽ ህድእ ኢልካ ኣስተንትኖ።

15 ኣምላኽ ከመይ ገይሩ ከም ዜቃንዖም፡ ንበርቂ ደበናኡ ኸመይ ገይሩ ኸም ዜብርኾ ትፈልጦ ዲኻ

16 ነቲ ምድልዳል ደበና፡ ናይቲ ፍልጠቱ ፍጹም ዝኾነ ዜደንቕ ግብሪኸ ትፈልጦ ዲኻ

17 ምድሪ ብንፋስ ደቡብ ምስ ደንዘዘት፡ ንስኻ ኽዳውንትኻ ዜድህረካስ ተስተውዕሎ ዲኻ

18 ነቲ ኸም ፍሱስ መስትያት ዝምጽናዑ ሰማይሲ ምስኡ ኼንካዶ ዘርጊሕካዮ ኢኻ

19 ንሕናስ ብሰሪ ጸልማት ብስርዓት ክንዛረብ ኣይንኽእልን ኢና እሞ፡ ንእኡ እንብሎ፡ ንስኻ ምሀረና።

20 ኣነ ኽዛረብ ከም ዝደልስ ኪነግርዎ ድዩ ዚደልይ ኪውሐጥ ዚደሊ ሰብዶኸ ኣሎ

21 ሕጂ እቲ ኣብ ውሽጢ ደበናታት ዚበርህ ብርሃን ኣይርኤን እዩ፡ ግናኸ ንፋስ ሐሊፉ የጽርዮ።

22 ወርቂ ኻብ ሰሜን እዩ ዚመጽእ፡ ኣምላኽ ብዜፍርህ ግርማ ተኸቢቡ ኣሎ።

23 ነቲ ኹሉ ዚኽእል ክንረኽቦ ኣይንኽእልን ኢና፡ ንሱ ብሓይሊ፡ ብፍርዲ፡ ብፍትሒ ዓብዩ እዩ፡ ንሓደ እኳ ኣይጭቅኑን።

24 ስለዚ እዩ ሰባት ዚፈርህዎ፡ ነቶም ብልቦም ጠቢባን ዝኾኑ ኣየቕልበሎምን እዩ።

# ምዕራፍ 38

1 ሽዑ እግዚኣብሄር ንእዮብ ካብ ህቦብላ ንፋስ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ 2 ብዘይ ፍልጠት ብምዝራቡ
ንምኽረይ ዜጸልምቶ መን እዩ 3 ከም ሰብኣይ ኴንካ ሕቚኻ ተዐጠቕ፡ ኣነ ኽጥይቐካ እየ፡ ንስኻውን
ምለሰለይ። 4 ኣነ ንምድሪ ኽስርታ ኸሎኹስ፡ ኣበይ ነበርካ ኣእምሮ እንተ ኣልዩካስ፡ ንገረኒ። 5 ነቲ ልክዓ
ዝወሰነ መን እዩዊራ ትፈልጦ ኢኻ፧ገመድ መለክዒ ኣብ ልዕሊኣ ዝዘርግሔኸ መን እዩ 6-7 ከዋኽብቲ
ጽባሕ ሐቢሮም ኬመስግኑ፡ ኵሎም ደቂ ኣምላክ እልል ኪብሉ ኸለው፡ መሰረታ ኣብ ምንታይ ተሰረተ
ወይ እምኒ መኣዝና ዘቔመ መን ኰን ይኸውን 8 ከም ካብ ከርሲ ወላዲቱ ጥሒሱ ምስ ወጸ፡ ንባሕርስ
ደጌታቱ ዝዐጸወኸ መን እዩ 9 ደበና ልብሱ ኪኸውን፡ ድቕድቕ ጸልማት ድማ መጠቕለሊኡ ኪኸውን ምስ
ገበርኩ፡ 10 ዶብ ምስ ኣቔምኩሉ፡ መሸጐርን መዓጹን ምስ ገበርኩሉ፡ 11 ክሳዕ ናብዚ ኽትመጽእ፡ ካብኡ
ንንየው ኣይኰነን፡ እቲ ብርቱዕ ትዕቢት ማዕበላትካ ኻብዚ ኣይኪሐልፍን እዩ፡ በልኩ። 12-13 ንወሰናት
ምድሪ ኺሕዞ እሞ፡ እቶም ረሲኣን ተደርብዮም ምእንቲ ኺወጹ፡ ካብ እትውለድ ጀሚርካስ፡ ንንግሆ
ኣዚዝካዮ፡ ወይስ ንወጋሕታ ሰፍራኡ ሐቢርካሉዶ ትፈልጥ ኢኻ 14 ንሳ ኸም ጭቃ ኣብ ትሕቲ ማሕተም
ትልወጥ፡ ኵሉ ነገርውን ከም ልብሲ ይቐውም፡ 15 ሽዑ ንረሲኣን ብርሃኖም የግድፎም፡ እቲ ልዕል ዝበለ
ቕልጽምውን ይስበር። 16 ክሳዕ ምንጭታት ባሕሪዶ በጺሕካ ኣብ ውሽጢ መዓሙቑከ ተመላሊስካዶ
ትፈልጥ 17 ደጌታት ሞትከ ተቐሊዑልካዶ ኤረ ንደጌታት ድነ ሞትዶ ርኢኻ 18 ንግፍሒ ምድሪኸ
ኣስተብሂልካዮዶ እዚ ኹሉ እትፈልጥ እንተ ኴንካስ፡ ተዛረብ። 19-20 ናብ ወሰኑ ኸተብጽሖ፡ ናብ ቤቱ
እትወስድ መገዲውን ክትፈልጥሲ፡ እታ ናብ ማሕደር ብርሃን እትወስድ መገዲ ኣበይ ኣላ ጸልማትከ
ቦታኡ ኣበይ ኣሎ 21 ሽዑ ይኣ ተወሊድካ ኔርካ ኢኻ፡ ኤረ ቑጽሪ መዓልትታትካ ብዙሕ እዩ እሞ፡ ንስኻ

ትፈልጦ ኢኻ። 22-23 ናብቲ ንጊዜ ጸበባ ንመዓልቲ ሰልፍን ውግእን ኪኸውን ኢለ ዝዐቜርክዎ መዝገብ
ውርጪዶ ኣቲኻ ወይስ ነቲ መዝገብ በረድከ ርኢኻዮዶ 24 ኣብ ልዕሊ ምድሪ እታ ብርሃን ዚምቀለላ፡
ንፋስ ምብራቕ ዚዝርግሓላ መገድስ ኣየነይቲ እያ 25-27 ነታ ሰብ ዘይነብረላ ሃገር፡ ነቲ ሰብ ዜብሉ በረኻ
ምእንቲ ኼዝንመሉስ፡ ነቲ ምድሪ ኣጻምእን በረኻን ኬርውዮ፡ ለምለም ሳዕሪ ምእንቲ ኼብቍል፡ ንፋሳሲ
ዝናምሲ መትረብ ዘቃንዓሉ፡ ንበርቂ ነጐዳውን መገዲ ዝህቦ መን እዩ 28 ንዝናምዶ ኣቦ ኣልይዎ
ንነጠብጣብ ኣውሊ ዝወለዶኸ መን እዩ 29 በረድ ካብ ከርሲ መን እዩ ዚወጽእ ንኣስሓይታ ሰማይከ
ዝወለዶ መን እዩ 30 ማያት ከም እምኒ ኈይኑ ይስወር፡ ዝባን እቲ ዓሚቝውን ይረግእ። 31 ንማእሰር
እቶም ሾብዓተ ኸዋኽብቲ ኽትልቅሞ፡ ንኦሪዮን ካብ ማእሰሩ ኽትፈትሖዶ ይከኣለካ እዩ 32 ንናይ ማዛሮት
ምልክት በብጊዜኡ ኸተውጽኦ፡ ወይስ ንድቢ ምስቶም ደቃ ክትመርሓዶ ይከኣለካ እዩ 33 ንሕጋጋት
ሰማይ ትፈልጦ ዲኻ ንምልኩ ኣብ ልዕሊ ምድሪ እትምድቦኸ ንስኻ ዲኻ 34 ብዝሒ ማይ ምእንቲ
ኪኸድነካ፡ ንድምጽኻ ኽሳዕ ደበና ኸተልዕሎዶ ይከኣለካ እዩ 35 እኔና ኢሎምኻ ኪኸዱስ፡ ንበርቅታት
ክትልእኮምዶ ይከኣለካ እዩ 36 ንጥበብ ናብ ውሽጢ ዘንበራ መን እዩ ወይስ ንልቢ ምስትውዓል ዝሀቦ
መን እዩ 37-38 ሓመድ ተበጽቢጹ ምስ ዚረግእ፡ ደናኲል ብሓደ ምስ ዚጣበቑ፡ ንደበናታት ብጥበብ
ዚቜጽሮም መን እዩ፡ ነሕርብቲ ሰማይ ዜፍስሶምከ መን እዩ 39-40 ንዋዕሮዶ ሃድን ተምጽኣላ፡ ነቶም ኣብ
በዓትታት ለጥ ኢሎም፡ ኣብ ዱርውን ኣድብዮም ዚጸንሑ ኲራኹር ኣንበሳኸ፡ ንጥሜቶምዶ ተጽግቦ
ኢኻ 41 ኳኹ፡ ጨጫውቱ ዚብላዕ ስኢኖም እናተመላለሱ፡ ናብ ኣምላኽ እንተ ተማህለሉ፡ ዚምግቦኸ
መን እዩ

# ምዕራፍ 39

1 ነቲ ጤለ በዱ እትወልደሉ ጊዜ ትፈልጦዶ ነቲ እራብ ቅልውላው እትተሐዘሉ ጊዜኸ ተመልኪትካዮዶ
ኣሎኻ 2 ነቲ ምብጻሕ ኣዋርሔንዶ ትቜጽሮ ነቲ ንሳተን ዚወልዳሉ ጊዜስ ትፈልጦዶ 3 ብርክኽ ኢለን
ይወልዳ፡ ካብቲ ጻዕረን ከኣ ይዐርፋ። 4 መሓስኤን ይጥንክራ፡ ኣብ መሮር ይዐብያ፡ ይወጻ እሞ ናባታተን
ኣይምለሳን፡ 5-6 ነቲ ጸምጸም በረኻ ስፍራኡ፡ ምድሪ ጨው ከኣ ማሕደሩ ኪኸውን ዝሀብክዎ ኣድጊ በረኻ
ሓራ ዘውጽኤ መን እዩ ነቲ ኣብ በረኻ ኈለል ዚብል ኣድግስ መእሰሪኡ መን ፈትሓሉ 7 ነቲ ናይ ከተማ
ጫውጫው የባዕጭወሉ፡ ደሃይ ኰብኳቢውን ኣይሰምዕን። 8 ነቲ ዚበልዓሉ ጎቦታት ይምልከቶ፡ ለምለም
ዘለዎ ኹሉ ኸኣ ይደሊ። 9 ጐባይከ ኺግዝኣካዶ ፍቓዱ እዩ ኣብ ደምቤኻስ ይሐድረልካዶ 10 ምእንቲ
ኺትልመልካዶ ንጐባይ ብገመድ ትኣስሮ ኢኻ ደድሕሬኻኸ ንለሴታትዶ ይጒልጒል እዩ 11 ሓይሉ
ብርቱዕ ስለ ዝኾነዶ ኽትእመኖ፡ ወይስ ንዕዮኻዶ ኽትገድፈሉ ኢኻ 12 እኽልኻ ኪኸተልካ፡ ኣብ
ዓውዲውን ኪእከቦ ትኣምኖዶ ኢኻ 13 ኣኽናፍ ሰገን ብሓጐስ የንገብግብ፡ ግናኸ ኣኽናፋን ክንቲታን
ርሕሩሕዶ እዩ 14 ንእንቋቝሖኣ ኣብ ምድሪ ተውድቖ፡ ኣብ ልዕሊ ሑጻውን ተሙቖ። 15 እግሪ
ኸይጭፍልቖለይ፡ ኣራዊትውን ከይረግጾለይ፡ ኢላ ኣይትዝክርን እያ። 16-17 ኣምላኽ ጥበብ ከሊእዋ፡
ምስትውዓልውን ኣይዓደላን እዩ እሞ፡ ንውሉዳ ኸም ዘይናታ ትጭክነሉ፡ ጻዕራ ኸንቱ ብምዃኑ
ኣይትጒህን። 18 ብድድ ኢላ ምስ ሸበበት፡ ንፈረስን ፈረሰኛን ትስሕቆም። 19 ንፈረስ ሓይሉ ዝሀብካዮ
ንኽሳዱውን ዘውዘው ዚብል ጒንጒነ ዘልበስካዮ ንስኻ ዲኻ 20 ከም ኣንበጣዶ ተሰራስሮ ኢኻ ዕቡይ
ኩርፍታኡ ዜሰምብድ እዩ። 21 ኣብ ጐልጐል እናጸሕተረ ብሓይሉ ይሕጐስ፡ ምስ ኣጽዋር ኪገጥም
ይወጽእ። 22 ንፍርሃት የባጭዎ ኣይፈርህን ከኣ፡ ካብ ሰይፊውን ድሕር ኣይብልን እዩ። 23 ኣብ ልዕሊኡ ናይ

ፍላጻ ጒልድባ፡ ቀኊልጭልጭ ዚብል ኲናትን ስሕለትን ጭዋሕዋሕ ይብል። [24] እናፈጠነ ብኹራ ንምድሪ
ይውሕጣ፡ መለኸት ኪንፋሕ ከሎ፡ ኣይግታእን። [25] መለኸት ምስ ዚሰምዕ፡ ይሕምሕም፡ ንሰልፍን
ንጭድርታ ሓላቑን ንወኻዕታ ሰራዊትን ካብ ርሑቕ ይሸትቶ። [26] ሊላ ንላዕሊ ዚነፍር፡ ኣኽናፋውን
ንደቡብ ኣቢሉ ዚዝርግሕከ ብጥበብካ ድዩ [27] ንስሪ ንላዕሊ ዚዐርግ፡ ቤቱውን ኣብ ላዕሊ ዚሰርሕከ
ብትእዛዝካ ድዩ [28] ኣብ ከውሒ፡ ኣብ ጫፍ ከውሒ ይነብር፡ ኣብ ልዕሊ እምባ ይሐድር። [29] ኣብኡ ኾይኑ
ዚዝረፍ የማዕዱ፡ ኣዒንቱ ኽሳዕ ርሑቕ ይጥምታ። [30] ጨጫውቱ ደም ይመጽዩ፡ ኣብቲ ቕቱላት ዘለውዎ
ንሱ ኣብኡ ይርከብ። ኣብ ልዕሊ ሑጻውን ተሙቖ።

# ምዕራፍ 40

[1] እግዚኣብሄር ንእዮብ መለሰሉ በሎውን፡

[2] እቲ ወቓሲ ምስቲ ኹሉ ዚኽእልዶ ኺማጐት እዩ እቲ ንኣምላኽ ዚግስጾ ሕጂ ይምለስ።

[3] ሽዑ እዮብ ንእግዚኣብሄር መለሰሉ በሎውን፡

[4] እንሆ፡ ኣነ ምናምን እየ፡ እንታይ ኢለ ኽመልሰልካ ንኣፈይ ብኢደይ ሒዘያ እየ።

[5] ሓንሳእ ተዛሪበ ነይረ፡ ሕጂ ኸኣ ኣይክመልስን እየ፡ ኤረ ኽልተ ሳዕ፡ ግናኸ ኣይክደግምን እየ።

[6] ድማ እግዚኣብሄር ንእዮብ ካብ ህቦብላ ንፋስ ተዛረቦ በሎውን፡

[7] ሰብኣይ ኩን፡ ሕቘኻ ተዐጠቕ፡ ኣነ ኽጥይቐካ እየ፡ ንስኻውን ምሀረኒ።

[8] ርእስኻ ምእንቲ ኽተጽድቕሲ፡ ንፍርደይዶ ኸንቱ ኽትገብሮ፡ ንኣይከ ኽትኲንነኒዶ ትደሊ ኣሎኻ

[9] ከም ናይ ኣምላኽ ዝኾነ ቕልጽምዶ ኣሎካ ከምቲ ድምጹ ጌርካ ኽተንጐድጒድዶ ይከኣለካ እዩ

[10] እምበኣርስከ ኽብረትን ልዕልናን ተሰለም፡ ክብርን ግርማን ከኣ ልበስ።

[11] ንውሒዝ ቊጥዓኻ ኣፍሲስካ፡ ንዕቡይ ዘበለ ኹሉ ጠሚትካ ኣዋርዶ።

[12] ንዕቡይ ዘበለስ ጠሚትካ ትሕት ኣብሎ፡ ንረሲኣንውን ኣብ ቦታቶም ርገጾም፡

[13] ንኹላኹሎም ኣብ ሓመድ ሕብኣዮም፡ ኤረ ንገጾም ኣብ ሕቡእ ስፍራ ዕጸዎ፡

[14] ሽዑ ኣነ ድማ፡ የማነይትኻ ተድሕነካ እያ፡ ኢለ ኽንእደካ እየ።

[15] ነቲ ምሳኻ ዝገበርክዎ ብህሞት እሞ ርኣዮ፡ ንሱ ኸም ብዕራይስ ሳዕሪ ይበልዕ፡

[16] እንሆ ድማ፡ ሓይሉ ኣብ ሕቘኡ፡ ምብርታዑ ኣብ ጭዋዳ ኸብዱ እዩ ዘሎ።

[17] ንጭራኡ ኸም ኦም ሊባኖስ ይዝርግሖ፡ ጅማውቲ ሰለፋ ጽኑዕ ትትዖ እዩ፡

[18] ኣዕጽምቱ ኸም ሻምብቆ ኣስራዚ እዩ፡ ኣካላቱ ኸም በትሪ ሓጺን እዩ።

19 ንሱ ንኣምላኽ ኣውራ ፍጥረቱ እዩ፡ ፈጣሪኡ ኸኣ ሴፉ ሀቦ።

20 ኣኽራን ሳዕሪ የብቍለሉ እዩ እሞ፡ ኵለን እንስሳ መሮርውን ኣብኡ ይጻወታ።

21 ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣእዋም፡ ኣብ ሰንሰላን ጨፈቃን ተሐቢኡ ለጥ ይብል፡

22 ኣእዋም የጽልሎ፡ ናይ ወሓዚ ዕቦላት ይኸቦ።

23 ውሒዝ ብሓይሉ እንተ ተጀርበባ እኳ፡ ኣይሸበርን እዩ፡ ዮርዳኖስ ክሳዕ ኣፉ እንተ መልኤውን፡ ህዱእ
እዩ።

24 እናረኣየዶ ይተሐዝ እዩ ንኣፍንጫኡ ኣንኲሉ ሰነቀ ዜእትወሉኽ መን እዩ

25 ንሌዋታን ብመቕለብዶ ትስሕቦ ንመልሓሱ ብገመድ ትኣስሮዶ ኢኻ

26 ናብ ኣፍንጫኡ ሰንቀዶ ተእትወሉ፡ ንምንጋጋኡኸ ብእሾኹዶ ተንኩሎ ኢኻ

27 ብዙሕ ልማኖዶ ይልምነካ፡ ወይስ ብጥዑም ዘረባዶ ይዛረበካ እዩ

28 ንሓዋሩ ባርያኻ ኽትገብሮስ፡ ምሳኻዶ ኺዳን ይኣቱ እዩ

29 ከም ዑፍዶ መጻወቲ ትገብሮ ኢኻ ወይስ ኣዋልድካ ምእንቲ ኺስሐቓሉዶ ትኣስሮ ኢኻ

30 ነጋዶ ይነግድዎ ድዮም ኣብ ሞንጎ ሸቓጦኸ ይመቕልዎ ድዮም

31 ንቘርበቱ ብኹናት፡ ንርእሱ ኸኣ ብመቓጥን ዓሳዶ ትመልኦ ኢኻ

32 እሲኺ ኢድካ ኣብ ልዕሊኡ ኣንብር፡ ነቲ ሰልፊ ኽትዝክሮ እሞ መሊስካ ኣይክትደግሞን ኢኻ።

# ምዕራፍ 41

1 እንሆ፡ ተስፋኡ ኸንቱ እዩ፡ ዝረኣዮ ኹሉ ኣብ ቅድሚኡ ይወድቕ። 2 ንእኡ ኪቕስቅሶ ዚደፍር የልቦን።
ኣብ ቅድመይ ዚቖውም ደኣ መን እዩ 3 እቲ ቕድም ገለ ዝሀበኒ፡ ኣነውን ዝመልሰሉ፡ መን እዩ ኣብ ትሕቲ
ሰማይ ዘሎ ኹሉ ናተይ እዩ። 4 ኣነ ብናይ ኣካላቱ፡ ብናይ ብርቱዕ ሓይሉ፡ ብናይ ምጽባቕ ኣገባብራኡ ስቕ
ኣይክብልን እየ። 5 ንጌጽ ክዳኑ ዚቐልዖ መን እዩ ናብ መንጎ ኽልቲኤን ምንጋጋኡ መን ይኣቱ 6 ንመዓጹ
ገጹ ዚኸፍት መን እዩ ኣብ ዙርያ ኣስናኑ ፍርሃት ኣሎ። 7 እቶም ብርቱዓት ዋልታታቱ ትዕቢቱ እዮም፡
ከም ብጸቢብ ማሕተም እተጋጠሙ እዮም፡ 8 ንሓድሕዱ ተላጊቡ እዩ፡ ብመንጎኡ ንፋስ ኣይኣቱን። 9 እቲ
ሓደ ምስቲ ሓደ ግጡም እዩ፡ ንሓድሕዶም ይተሓሐዙ ኣይፋላለዩንውን እዮም። 10 እንጥሾኡ ብርሃን
የንጸባርቕ፡ ኣዒንቱ ኸም ናይ ወጋሕታ ቖርኒብ ዓይኒ እዩ። 11 ካብ ኣፉ ፋና ይወጽእ፡ ካብኡ ኸኣ ቀንልዒ
ሓዊ ይነጥር። 12 ከም ካብ ዚገርር ድስትን ቀንራዕን ካብ ኣፍንጫኡ ትኪ ይወጽእ። 13 ብእስትንፋሱ
ንሕመት የንድዶ፡ ካብ ኣፉ ኸኣ ሃልሃልታ ይወጽእ። 14 ኣብ ክሳዱ ሓይሊ ይሐድር፡ ኣብ ቅድሚኡ
ፍርሃት ይሰራሰር። 15 ክፍልታት ስጋኡ ግጡም እዩ፡ ኣብ ልዕሊኡ ጽኑዕ፡ ከቶ ዘይነቓነቕ እዩ። 16 ልቡ
ኸም እምኒ ተሪር እዩ፡ ከም እምኒ መጥሓን ከኣ ጽኑዕ እዩ። 17 ንሱ እንተ ተንስኤ፡ ጀጋኑ ይሸበሩ፡ ብሰሪ
ፍርሃትሲ ልቦም ይጠፍኦም። 18 ሰይፊ እንተ ወቕዖ፡ ኲናት ወይ ጨረ፡ ወይ መውግእ ኣንበሪ ዓሳ ከቶ

ኣይጠቅምን እዩ። 19 ንሱ ንሓጺን ከም ሓሰር፡ ነስራዚውን ከም በኹባኹ ዕጨይቲ ይቖጽሮ። 20 ፍላጻ
ኣየህድሞን፡ እምኒ ወንጭፍን ከም ብርዒ ይኹኖ። 21 ንጐመድ ከም ብርዒ እዩ ዚቖጽሮ፡ ንምውርዋር
ኲናት ከኣ ይስሕቆ። 22 ኣብ ትሕቲ ኸብዱ በሊሕ ስሕለት ኣለዎ፡ ኣብ ጭቃ ኸኣ ኣሰር በላሕቲ ጫፍ
ይሓድፍ። 23 ንሱ ንመዓሙቕ ከም ድስቲ የፍልሖ፡ ንባሕሪ ድማ ከም ቍራዕ ቅዲት ይገብሮ። 24
ደድሕሪኡ እቲ መገዲ ይበርህ፡ እቲ መዓሙቕውን ሽበት ይመስል። 25 ንሱ ዘይፈርህ ኰይኑ ተፈጥረ
እሞ፡ ኣብ ምድሪ ማዕሬኡ ዚኸውን ከቶ ኣይርከብን። 26 ንልዕል ዝበለ ኹሉ ንዒቑ ይጥምቶ። ንብዘለው
ደቂ ትዕቢት ከኣ ንጉሶም እዩ።

# ምዕራፍ 42

1 ሽዑ እዮብ ንእግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፡ 2 ኲሉ ኽም እትኽእል፡ ነቲ ዝመደብካዮ ኸኣ
ዚኽልክለካ ኸም ዜልቦን፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 3 ብዘይ ፍልጠት ነቲ ምኽሪ ዜጸልምቶ መን እዩ ስለዚ ኣነ
ነቲ ዘየስተውዐልክዎ፡ ንኣይ እምብዛ ዜገርም ዝኾነ፡ ዘይፈልጦ ነገር ተዛረብ። 4 ክዛረበካስ ስምዓኒ ኾታ፡
ኣነ ኽጥይቐካ፡ ንስኻውን ምሀረኒ። 5 ብሰማዒት እዝኒ ብዛዕባኻ ሰሚዔ ነይረ፡ ሕጂ ግና ዓይነይ
ርእያትካ። 6 ስለዚ ንርእሰይ እፍንፍን ኣሎኹ፡ ኣብ ሓመድን ሓመኹስትን ኰይነ ኸኣ እንሳሕ ኣሎኹ። 7
እግዚኣብሄር ንእዮብ እዚ ምስ ተዛረቦ፡ ንኤሌፋዝ ቴማናዊ በሎ፡ ብዛዕባይ ከምቲ እዮብ ባርያይ ዝገበሮ
ጌርኩም፡ ቅኑዕ ስለ ዘይተዛረብኩም፡ ኣባኻን ኣብ ክልቲኦም መሓዙትካን ኵራይ ተቓጺሉ እዩ። 8 ሕጂ
ኸኣ ሾብዓተ ዝራብዕን ሾብዓተ ድዑልን ሒዝኩም ናብ እዮብ ባርያይ ኪዱ እሞ ብናይ ርእስኹም
መስዋእቲ ምሕራር ኣዕርጉ። እዮብ ባርያይ ኪጸልየልኩም እዩ፡ ንእኡ ክቕበሎ እየ። ከም እዮብ ባርያይ
ጌርኩም ብዛዕባይ ቅንዕና ስለ ዘይተዛረብኩም፡ ምእንታኡ ኢለ ኽምቲ ንዕሽነትኩም ዚግባእ ኣይክገብርን
እየ። 9 ሽዑ ኤሊፋዝ ቴማናዊ፡ ቢልዳድ ሹዋዊ፡ ሶፋር ናዕማዊ ኸይዶም ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም
ገበሩ። እግዚኣብሄር ከኣ ንእዮብ ተቐበሎ። 10 እዮብ ምእንቲ ፈተውቱ ምስ ጸለየ፡ እግዚኣብሄር ንምርኮ
እዮብ መለሶ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ንእዮብ ኣብ ልዕሊ እቲ ቐደም ዝነበሮ ዕጽፊ ገይሩ ወሰኾ። 11 ኲሎም
ኣሕዋቱን ኲላተን ኣሓቱን ብዘለው እቶም ቀደም ዚፈልጥዎ ዝነበሩ ድማ ናብኡ መጺኦም፡ ኣብ ቤቱ
ምስኡ እንጌራ በልዑ፡ ስለቲ እግዚኣብሄር ዘውረደሉ ኹሉ መከራታት ከኣ ሐዘኑሉን ጸናንዕዎን። ነፍሲ
ወከፎም ድማ ሐሓንቲ ብሩርን ቀቀለቤት ወርቅን ሀብዎ። 12 እግዚኣብሄር ድማ ንእዮብ ካብቲ ቐዳማዩስ
ነቲ ዳሕራዮ ኣብሊጹ ባረኾ። ንሱ ዓሰርተው ኣርባዕተ ሽሕ በጊዕ፡ ሹድሽተ ሽሕ ገመል፡ ሽሕ ጽምዲ
ብዕራይ፡ ሽሕ ከኣ ኣንስተይቲ ኣድጊ ነበሮ። 13 ሾብዓተ ኣወዳትን ሰለስተ ኣዋልድን ከኣ ነበርዎ። 14 ነታ
ቐዳመይቲ ይሚማ፡ ነታ ኻልኣይቲ ቅጺዓ፡ ነታ ሳልሰይቲ ቄርንሃጹኽ ኢሉ ሰመየን። 15 ኣብ ኲላ እታ
ሃገር እቲኣ ኸም ኣዋልድ እዮብ ዝበላ መልክዔኛታት ኣይነበራን። ኣቦኤን ድማ ርስቲ ምስቶም ኣሕዋተን
ኣውረሰን። 16 ድሕሪዚ ድማ እዮብ ሚእትን ኣርብዓን ዓመት ጸንሔ፡ ደቁን ደቂ ደቁን ከኣ ክሳዕ ኣርባዕተ
ወለዶ ረኣየ። 17 ድሕሪዚ እዮብ ሸምጊሉ ዕድመ ጸጊቡ ሞተ። ።

# መዝሙር ዳዊት

## ምዕራፍ 1

1-2 ብምኽሪ ረሲኣን ዘይመላለስ፣ ኣብ መገዲ ሓጥኣን ከኣ ዘይቀውም፣ ኣብ መንበር መላገጽቲ ድማ
ዘይቅመጥ፣ ብሕጊ እግዝኣብሄር ደአ ዚፍሳህ፣ ነቲ ሕጉውን ለይትን መዓልትን፣ ዚመራምሮ ሰብሲ ብጹእ
እዩ። 3 ንሱ ኸምታ ፍሬኣ በብጊዜኣ እትህብ፣ ቈጽላ ኸኣ ዘይረግፍ፣ ኣብ ወሰን ወሓዚ ማይ እተተኽለት
ኦም ይኸውን። ዚገብሮ ዅሉውን ይሰልጦ። 4 እቶም ረሲኣን ከምቲ ንፋስ ዚብትኖ ብቝብቝ እዮም
እምበር፣ ከምዚ ኣይኰኑን። 5-6 ንመገዲ ጻድቃንሲ እግዚኣብሄር ይፈልጣ እዩ፣ መገዲ ረሲኣን ግና
ኽትጠፍእ እያ እሞ፣ ስለዚ ረሲኣን ኣብ ፍርዲ፣ ሓጥኣንውን ኣብ ማሕበር ጻድቃን ኣይኪቘሙን እዮም።

## ምዕራፍ 2

1 ስለምንታይ እዮም ኣህዛብ ጫውጫው ዚብሉ፣ ህዝብታትሲ ከንቱ ዚሓስቡ፧ 2-3 ነገስታት ምድሪ
ይትንስኡ፣ መሳፍንቲ ኸኣ ሐቢሮም፣ ንመቓውሖም ንስበሮ፣ ንማእሰሪኦምውን ካባና ንደርብዮ፣ ኢሎም
ኣብ እግዚኣብሄርን ኣብ መሲሁን ይመኽሩ። 4 እቲ ኣብ ሰማይ ዚነብር ይስሕቆም፣ ጐይታ የላግጸሎም። 5
ሽዑ ብኹራኡ ይዛረቦም፣ ብነድሩ ኸኣ የፈራርሆም፣ 6 ኣነ ኣብ ጽዮን ኣብ ቅዱስ ከረነይ ንጉሰይ ሸምኩ፣
ይብል። 7 እቲ ምዱብ ምኽሪ እነግር ኣሎኹ፣ እግዚኣብሄር በለኒ፣ ንስኻ ወደይ ኢኻ፣ ኣነ ሎሚ
ወለድኩኻ። 8 ኣህዛብ ንርስትኻ፣ ወሰናት ምድሪ ኸኣ ንጥሪትካ ኽህበካስ፣ ለምነኒ። 9 ብበትሪ ሓጺን
ክትቅጥቅጦም፣ ከም ኣቕሓ ሰራሕ መሬት ከኣ ክትሰባብሮም ኢኻ። 10 እምበአርሲ ኣቱም ነገስታት፣
ለብሙ፣ ኣቱም ፈራዶ ምድሪውን፣ ተአረሙ። 11 ንእግዚኣብሄር ብፍርሃት ኣገልግልዎ፣ ብረዓድ ከኣ
ተሐጐሱ። 12 ኲራኡ ቑልጢፉ ይነድድ እዩ እሞ፣ ከይኾሪ፣ ኣብ መገዲ ኸሎኹም ድማ ከይትጠፍኡስ፣
ንወዱ ስዐምዎ። ኣብኡ ዚምዕቈቡ ዘበሉ ዅሎም ብጹኣን እዮም።

## ምዕራፍ 3

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ጠቓዕተይሲ ኽንደይ ኰን ይበዝሑ፣ ኣባይ ዚለዐሉ ብዙሓት እዮም። 2 ብዛዕባ ነፍሰይ
ብዙሓት፣ ኣብ ኣምላኽሲ ምድሓን የብሉን፣ ይብሉ ኣለዉ። 3 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ግና ኣብ ዙርያይ
ዋልታ ኢኻ፣ ክብረይን ንርእሰይ ልዕል እተብላን ንስኻ ኢኻ። 4 ብድምጻይ ናብ እግዚኣብሄር ኤእዊ
ኣሎኹ። ካብ ቅዱስ ከረኑ ኸኣ ይመልሰለይ። 5 ተገምሰስኩ ደቀስኩውን፣ እግዚኣብሄር ይድግፈኒ ኣሎ
እሞ ነቓሕኩ። 6 ነቶም ዚኸቡኒ ኣእላፋት ኣህዛብ ኣይፈርሆምን እየ። 7 ንምንጋጋ ዅሎም ጸላእተይ
ወቒዕካዮ፣ ነስናን ረሲኣን ሰባቢርካዮ ኢኻ እሞ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ተንስእ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ ኣድሕነኒ። 8
ምድሓን ናይ እግዚኣብሄር እዩ፣ በረኸትካ ኣብ ህዝብኻ ይኹን።

## ምዕራፍ 4

1 ዎ ኣምላኽ ጽድቀይ፣ ከእዊ ኽሎኹ፣ ምለሰለይ፣ ብጸበባ ኣርሒብካለይ ኢኻ፣ ደንግጸለይ እሞ ጸሎተይ
ስማዕ። 2 ኣቱም ደቂ ሰብ፣ ክብረይስ ኲን ክሳዕ መአዝ እዩ ዚሐስር፧ ክሳዕ መአዝከ ንኸንቱነት ትፈትዉ፣
ሓሶትውን ትደልዩ፧ 3 እግዚኣብሄር ግና ነቲ ደጊ ኸም ዝሐረዮ፣ ፍለጡ። እግዚኣብሄር፣ ናብኡ እንተ
ጠራዕኩ፣ ይሰምዕ እዩ። 4 ኲርዩ እሞ ኣይትአብሱ፣ ኣብ መደቀሲኹም ልብኹም መርምሩን ስቕ በሉን። 5
መስዋእቲ ጽድቂ ሰውኡ፣ ኣብ እግዚኣብሄር ድማ ተወከሉ። 6 ብዙሓት፣ ንሰናይ መን እዩ ዜርእየና፣
ይብሉ ኣለዉ። ዎ እግዚኣብሄር፣ ብርሃን ገጽካ ኣብርሃልና። 7 ካብቲ እቶም እኽሎምን ወይኖምን ምስ
በዝሔ ዚሕጐስዎ ኣብሊጽካ ኣብ ልበይ ሓጐስ ኣንበርካ። 8 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ በይንኻ ኢኻ ብደሓን
እተሕድረኒ እሞ፣ ብሰላም እግምሰስን እድቅስን ኣሎኹ።

# ምዕራፍ 5

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንቓላተይ ጽን በሎ፣ ንሓሳባተይ ኣስተውዕሎ። 2 ናባኻ እጽሊ ኣሎኹ እሞ፣ ዎ
ንጉሰይን ኣምላኸይን፣ ንድምጺ ጥርዓነይ ኣድህበሉ። 3 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣንጊህካ ንድምጸይ ትሰምዖ
ኢኻ፣ ኣንጊሄ ልበይ ናባኻ ኣቕኒዔ ኤማዕዱ ኣሎኹ። 4 ብረሲእነት ባህ እትብል ኣምላኽ ኣይኰንካን እሞ፣
እኩይ ምሳኻ ኣይሐድርን። 5 ትዕቢተኛታት ኣብ ቅድሚ ገጽካ ኣይቈሙን፣ ንገበርቲ እከይ ዘበሉ
ትጸልኦም። 6 ሓሶት ንዚዛረቡ ተጥፍኦም። እግዚኣብሄር ንደመኛን ንጠባርን ይፍንፍኖም እዩ። 7 አነ ግና
ብብዝሒ ሳህልኻ ናብ ቤትካ ኽአቱ፣ ብፍርሃትካ ናብ ቅድስቲ መቕደስካ ኣቢለ ኽሰግድ እየ። 8 ዎ
እግዚኣብሄር፣ ብምኽንያት ተጻናጸንተይ ብጽድቅኻ ምርሓኒ፣ ንመገድኻ ኣብ ቅድመይ መድምዳ። 9 ኣብ
ኣፎም ቁም ነገር የልቦን እሞ፣ ውሽጦም ጥፍኣት፣ ጐረርኦም ክፉት መቓብር እዩ፣ ብመልሓሶም
የቀባጥሩ። 10 ዎ ኣምላኽ፣ ኲንኖም፣ ኣብ ምኽሮም ይውደቑ። ካባኻ ዐልዮም እዮም እሞ፣ ብብዝሒ
ኣበሳኦም ኣባርሮም። 11 ኣባኻ ዚዕቈቡ ኹሎም ግና ይተሐጐሱ፣ ንስኻ አጽሊልካዮም ኢኻ እሞ፣
ንዘለኣለም እልል ይብሉ፣ ንስምካ ዜፍቅርዎ ድማ ብኣኻ ይፈስሁ። 12 ንጻድቕ ትባርኾ ኢኻ እሞ፣ ዎ
እግዚኣብሄር፣ ከም ብዋልታ ብጸጋ ትኸቦ።

# ምዕራፍ 6

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ብኹራኻ ኣይትግንሓኒ፣ ብሓርቖትካ ድማ ኣይትቕጽዓኒ። 2 ዎ እግዚኣብሄር፣ ማህሚነ
እየ እሞ፣ ምሐረኒ። ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣዕጽምተይ ተሸቢረን እየን እሞ፣ ኣጥዕየኒ። 3 ነፍሰይውን ኣዝያ
ተሸቢራ፣ ንስኻኸ፣ ዎ እግዚኣብሄር ክሳዕ መአዝ፧ 4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ተመለስ፣ ንነፍሰይ ኣናግፉ፣ ምእንቲ
ምሕረትካ ኣድሕነኒ። 5 ኣብ ሞት ዚዝክረካ የልቦን እሞ፣ ኣብ ሲኦልከ መን እዩ ዜመስግነካ፧ 6 ኣነ
ብእህህታ ሰልኪየ፣ ለይተ ለይቲ ንመደቀስየይ ኤርሕሶ፣ ንመንጸፈይ ብንብዓተይ ኤጠልቅዮ ኣሎኹ። 7
ዓይነይ ብሓዘን ተባላሸወት፣ ብሰሪ ኹላቶም ተጻረርተይ ትአርግ ኣላ። 8 እግዚኣብሄር ንድምጺ ብኽያተይ
ሰሚዕዎ እዩ እሞ፣ ኣቱም ገበርቲ እከይ ኵላትኩም፣ ካባይ ርሐቑ። 9 እግዚኣብሄር ንምህለላይ ሰሚዕዎ፣
እግዚኣብሄር ንጸሎተይ ኪቕበሎ እዩ። 10 ኵላቶም ጸላእተይ ኪሐፍሩ፣ እምብዛ ኺሸበሩ፣ ንድሕሪት
ኪምለሱ፣ ብድንገት ኪሐፍሩ እዮም።

# ምዕራፍ 7

1-2 ሰአን ዜናግፈኒ፣ ጸላእየይ ንነፍሰይ ከም ኣንበሳ ኸይሰላልዓን ከይምንጥላንሲ፣ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኸይ፣ ኣባኻ ኣዕቊብ እኔኹ፣ ካብ ኵላቶም ሰጐጕተይ ኣድሕነንን ኣናግፈንን። 3 ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኸይ፣ ከምኡ ገይረ እንተ ኾይነስ፣ ኣብ ኣእዳወይ ዓመጽ እንተ ኣልዩ፣ 4 ነቲ ምሳይ ብሰላም ዝነበረ
ኣብ ክንዲ ሰናይሲ እኩይ እንተ ፈድየዮ፣ ኣነስ እባ ነቲ ብዘይ ምኽንያት ጸላኢ ዝኾነኒ ደአ ኣናገፍክዎ፣ 5
እቲ ጸላኢ ንነፍሰይ ይስጐዳን የርክባን፣ ንህይወተይ ኣብ ምድሪ ይርገጾ፣ ንኽብረይውን ኣብ ሓመድ
የዋርዶ። 6 ዎ እግዚኣብሄር፣ ብኹራኻ ተንስእ፣ ኣብ ልዕሊ ነድሪ ተጻረርተይ ተለዐል፣ ንስኻ ፍርዲ
ኣዘዝካ፣ ንረዲኤተይ ንቓሕ። 7 ማሕበር ህዝብታት ይኸበብካ፣ ኣብ ልዕሊኣ ኣብ በሪኽ ተመለስ። 8
እግዚኣብሄር፣ ንህዝብታት ኪፈርዶም እዩ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ጽድቀይን ከም ንጽህናይን ፍረደኒ። 9
ንልብን ኰላሊትን እትምርምር ጻድቕ ኣምላኽ ኢኻ እሞ፣ ንኽፍኣት ረሲኣን ኣጥፍኣዮ፣ ንጻድቕ ግና
ኣጽንዓዮ። 10 ዋልታይ ኣብ ኣምላኽ እዩ፣ ንሱ ነቶም ቅኑዕ ዝልቦም የድሕኖም። 11 ኣምላኸሲ ጻድቕ
ፈራዲ፣ ዕለተ ዕለት ዚኸሪ ኣምላኽ እዩ። 12 ሰብ እንተ ዘይተመልሰ፣ ሴፉ ስሒሉ፣ ቀስቱ ገቲሩ
የዝግበሉ። 13 መሳርያ ሞት ድማ ኣዳለወሉ፣ ንፍላጻታቱ ኣርሰኖ። 14 እንሆ፣ ንእከይ የቕለሉ፣ ሕሰም ጠኒሱ
ሓሶት ይወልድ። 15 ጕድጓድ ኵዒቱስ ኣዕመቖ፣ ናብታ ዝኾዐታ ጕድጓድውን ወደቐ። 16 ክፍኣቱ ናብ
ርእሱ ኺምለስ፣ ዓመጻኡውን ናብ ቅርቅርቱ ኺወርድ እዩ። 17 ንእግዚኣብሄር ከም ጽድቁ ኸመስግኖ፣ ነቲ
ልዑል፣ ንስም እግዚኣብሄር፣ ክዝምረሉ እየ።

## ምዕራፍ 8

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ጐይታና፣ ኣታ ንግርማኻ ኣብ ሰማያት ዝተኸልካዮ፣ ስምካስ ኰን ኣብ ኵላ ምድሪ
ኽንደይ ግሩም እዩ። 2 ምእንቲ ተቓወምትኻ ነቲ ጸላእን ፈዳይ ሕነን ስቕ ከተብሎ፣ ካብ ኣፍ ቈልዑን
ዚጠብውን ሓይሊ ኣዳሎኻ። 3 ንሰማያትካ፣ ነቲ ስራሕ ኣጻብዕካ፣ ንስኻ ዘቘምካዮም፣ ወርሕን
ከዋኽብትን እንተ ጠመትኩ፣ 4 እቲ ንስኻ እትዝክሮ ሰብ፣ እቲ እትሓልየሉ ወዲ ሰብሲ እንታይ እዩ፧ 5
ካብ መላእኽቲ ቕሩብ ኣንኣስካዮ፣ ብኽብርን ጌጽን ከኣ ኸለልካዮ። 6 ኣብ ልዕሊ ግብሪ ኣእዳውካ
ሸምካዮ፣ ንዅሉ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ጌርካዮ፣ 7 ንብዘለዋ ኹላተን ኣባጊዕን ኣሓን፣ ንእንስሳታት በረኻውን
8 ነዕዋፍ ሰማይን ንዓሳታት ባሕርን ነቲ ብመገድታት ባሕሪ ዚሐልፍ ዘበለን። 9 ዎ እግዚኣብሄር ጐይታና፣
ስምካስ ኰን ኣብ ኵላ ምድሪ ኽንደይ ግሩም እዩ።

## ምዕራፍ 9

1 ብምሉእ ልበይ ንእግዚኣብሄር ከመስግኖ፣ ኵሉ ተኣምራትካ ኽነግር እየ። 2 ብኣኻ ኽሕጐስን ክፍሳህን፣
ዎ ልዑል፣ ንስምካ ኽዝምር እየ። 3 ጸላእተይ ንድሕሪት ምስ ተመልሱ፣ ወደቑ፣ ካብ ቅድሚ ገጽካውን
ጠፍኡ። 4 መሰለይን ነገረይን ወዳእካ እሞ፣ ጻድቕ ፈራዲ ኼንካ ኣብ ዝፋን ተቐመጥካ። 5 ነህዛብ
ገናሕካዮም፣ ንረሲኣን ኣጥፋእካዮም፣ ስሞም ከኣ ንዘለኣለም ደምሰስካዮ። 6 ጸላእቲ ንሓዋሩ ተጠሪሶም፣
ከተማታትሲ፣ መዘከርታኤን እኳ ኽሳዕ ዚጠፍእ፣ ያንየን። 7 እግዚኣብሄር ግና ንዘለኣለም ነጊሱ ይነብር፣
ዝፋኑ ንፍርዲ ኣዳለዎ። 8 ንሱ ንዓለም ብጽድቂ ኺፈርዳ፣ ንህዝብታትውን ብቕንዕና ኺዳንዮም እዩ። 9
እግዚኣብሄርሲ ንጥቑዓት እምባ፣ ብጊዜ ጸበባ እምባ እዩ። 10 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንዚደልዩኻ
ኣይትሐድጎምን ኢኻ እሞ፣ እቶም ንስምካ ዚፈልጡ ኣባኻ ኺምዕቈቡ እዮም። 11-12 እቲ ሕነ ደም ዚፈዲ

ዘኪርዎም፣ ንኣውያት ጥቑዓት ከኣ ኣይርስዖን እዩ እሞ፣ ነቲ ኣብ ጽዮን ዚነብር እግዚኣብሄር ዘምሩሉ፣
ኣብ ማእከል ኣህዛብ ግብርታቱ ንገሩ። [13-14] ኣብ ደጌታት ጓል ጽዮን ብምድሓንካ ኽፍሳህ፣ ምስጋናኻ
ምእንቲ ኽነግርሲ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ነቲ ብጸላእተይ ዝረኽቦ መከራ ርአዮ እሞ፣ ኣታ ኻብ ደጌታት ሞት
እትስሕበኒ፣ ደንግጸለይ። [15] ኣህዛብ ናብታ ዝኾዐትዋ ጕድጓድ ጸደፉ፣ በቲ ዝሓብእዎ መፈንጠራ ኸኣ
እግሮም ተፈንጠረ። [16] እግዚኣብሄር ርእሱ ኣፍለጠ፣ ጸድቂ ገበረ፣ ረሲእ ብግብሪ ኢዱ ተሐንኰለ።
ሂጋዩን። [17] ረሲኣን፣ ንኣምላኽ ዚርስዕዎ ዅላቶም ኣህዛብ፣ ናብ ሲኦል እዮም ዚምለሱ። [18] ድኻስ ንሓዋሩ
ኣይኪርሳዕን እዩ እሞ፣ ተስፋ መስኪን ንዘለኣለም ኣይኪጠፍእን እዩ። [19] ዎ እግዚኣብሄር፣ ተንስእ፣ ሰብሲ
ኣይበርትዕ፣ ኣህዛብ ኣብ ቅድሜኻ ይፈረዱ። [20] ዎ እግዚኣብሄር፣ ፍርሃት ኣውድቐሎም፣ ኣህዛብሲ ሰብ
ምዃኖም ደአ ይፍለጡ።

# ምዕራፍ 10

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ስለምንታይ ደአ እትርሕቕ፣ ብዘመናት ጸበባስ እትኽወል፧ [2-3] ረሲእ ብትምኒት ልቡ
ይጀሀር፣ ንገፋዒ ይምርቖ፣ ንእግዚኣብሄር ይንዕቆ ኣሎ እሞ፣ ጥቑዕሲ ብትዕቢት ረሲእ ይስቀ ኣሎ፣ በቲ
ዝሐሰብዎ ውዲት ይተሐንኰሉ። [4] ኵሉ ሓሳባት እቲ ረሲእ፣ ኣምላኽ የልቦን እዩ፣ ብትዕቢቱ ኸኣ፣
ኣይምርምርን እዩ፣ ይብል ኣሎ። [5] መገድታቱ ዅሉ ጊዜ ይፍድፍዳ፣ ፍርድታትካ ንእኡስ ኣዝዩ ልዕል
ዝበለ እዩ። ንዅላቶም ተቓወምቱ ጺቕ ይብለሎም። [6] ብልቡ፣ ከቶ ኣይከናወጽን፣ ካብ ወለዶ ንወለዶ
ኽፉእ ኣይመጸንን እዩ፣ ይብል ኣሎ። [7] ኣፉስ መርገምን ጥልመትን ዓመጻን መሊኡ እዩ፣ ኣብ ትሕቲ
መልሓሱ እከይን ጥፍኣትን ኣሎ። [8] ኣብ ናይ ዓድታት ሸጓሹጕ የድቢ፣ ኣብ ሕቡእ ስፍራ ንንጹህ
ይቐትሎ፣ ኣዒንቱ ንመስኪን ይስልያኦ። [9] ከም ኣንበሳ ኣብ ዱሩ ኣብ መሕብኢኡ ይጸናቶ፣ ንመስኪን
ኪዕምጥሮ የድቢ፣ ንመስኪን ብመጻወድያኡ ስሒቡ ይዕምጥሮ። [10] ጕብጥ ኢሉ ይደንን፣ መሳኪን ከኣ
ኣብ መንጎ ኣጽፋሩ ይወድቁ። [11] ንሱ ብልቡ፣ ኣምላኽ ረሲዑ ገጹ ሸዊሉ፣ ከቶ ኣይኪርእዮን እዩ፣ ይብል።
[12] ዎ እግዚኣብሄር፣ ተንስእ፣ ዎ ኣምላኸ፣ ኢድካ ኣልዕል፣ ንጥቑዓት ኣይትረስዓዮም። [13] ስለምንታይ
ረሲእ ንኣምላኽ ዚንዕቆ፣ ብልቡ ኸኣ፣ ኣይክትምርምርን ኢኻ፣ ዚብሎ፧ [14] ንስኻ ርኢኻዮ፣ ኣብ ኢድካ
ምእንቲ ኽትሕዞስ፣ ንጻዕርን ሓዘንን ተቐልበሉ ኢኻ እሞ፣ መስኪን ንነገሩ ናባኻ ይውፍዮ፣ ረዳእ
ዘኽታም ንስኻ ኢኻ። [15] ንቕልጽም ረሲእ ስበሮ፣ ንእኩይ፣ ረሲእንቱ ኽሳዕ ዘይትረኽባ፣ ኣጥፍኣዮ። [16]
እግዚኣብሄር ንዘለኣለመ ኣለም ንጉስ እዩ። ኣህዛብ ካብ ምድሩ ጸኒቶም እዮም። [17-18] ዎ እግዚኣብሄር፣
መሬታዊ ሰብ ንምግፋዕ ከይቕጽል፣ ንዘኽታምን ንጥቑዕን ክትብይነሎምሲ፣ ነእዛንካ ተድንነን፣ ንሃረርታ
ትሑታት ትሰምዖ፣ ንልቦም ተበርትዖ ኢኻ።

# ምዕራፍ 11

[1] ኣብ እግዚኣብሄር ኣዕቍብ ኣሎኹ፣ ከመይ ደአ ንነፍሰይ፣ ከም ዑፍ ናብ ከረንኪ ህደሚ፣ እትብልዋ፧ [2]
ንቕኑዓት ልቢ ብጸልማት ምእንቲ ኺውርውሩሎም፣ እንሆ፣ ረሲኣን ቀስቶም ይግትሩ፣ ንፍላጻኦም ኣብ
መንትግ የዝግብዎ። [3] መሰረታት እንድሕሪ ፈሪሱ ደአ፣ እቲ ጻድቕ እንታይ ኪገብር ይከኣሎ፧ [4]
እግዚኣብሄር ኣብ ቅድስቲ መቕደሱ እዩ፣ ዝፋኑ እግዚኣብሄር ኣብ ሰማያት እዩ፣ ኣዒንቱ ይጥምታ፣
ቈላሕታኡ ንደቂ ሰብ ይዕዘባኦም ኣለዋ። [5] እግዚኣብሄር ንጻድቕ ይዕዘቦ፣ ንረሲእን ንፈታው ግፍዕን ግና

ነፍሱ ትጸልኦም። 6-7 እግዚኣብሄርሲ ጻድቕ፣ ንጽድቂ ዜፍቅር እዩ፣ ቅኑዓትውን ገጹ ኺርእይዎ እዮም
እሞ፣ ኣብ ልዕሊ ረሲኣን ወጽመድ ኬዝንም፣ ዕድሎት ጽዋኦም ከኣ ሓውን ዲንን ጕሁር ንፋስን ኪኸውን
እዩ።

## ምዕራፍ 12

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ደጊ ሰብ ተሳኢኑ፣ ካብ ማእከል ደቂ ሰብውን እሙናት ጠፊኦም እዮም እሞ፣
ኣድሕን። 2 ነፍሲ ወከፎም ምስ ብጻዩ ሓሶት ይዛረብ፣ ብዜቃባጥር ከንፈርን ብኽልተ ልብን ይዛረቡ
ኣለዉ። 3-4 እግዚኣብሄር ንዅላተን መቃባጠርቲ ኸናፍርን ነታ ዕቡይ ነገር እትዛረብ መልሓስን፣ ነቶም፣
ሳላ መልሓስና ንብርትዕ ኣሎና፣ ከናፍርና ናትና እየን፣ መን እዩኸ ጐይታና፡ ዚብሉን ኪምንቍሶም እዩ።
5 ስለ ምግፋዕ ጥቑዓትን ስለ ልቕሶ መሳኪንን ሕጂ ኽትንስእ፣ ነቲ ዚናፍቖውን ምድሓን ከምጽኣሉ እየ፣
ይብል እግዚኣብሄር። 6 ቃላት እግዚኣብሄር ጽሩይ ቃላት እዩ፣ ብመምከኽ መርየት ዝጸረየ፣ ሾብዓተ ሳዕ
እተኾልዔ ብሩር እዩ። 7 ዎ እግዚኣብሄር፣ ክትሕልዎም፣ ካብዚ ወለዶ እዝስ ንዘለኣለም ክትዕቅቦም
ኢኻ። 8 ብልሽውነት ኣብ ማእከል ደቂ ሰብ ልዕል እንተ በለ፣ ረሲኣን ኣብ ኵሉ ወገን ይዞሩ።

## ምዕራፍ 13

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ፈጺምካ እትርስዓኒ፧ ክሳዕ መኣዝከ ኢኻ ገጽካ ትኽውለለይ፧ 2
ክሳዕ መኣዝ ብነፍሰይ ክጭነቕ፣ ዕለተ ዕለትሲ ብልበይ ክሐዝን እየ፧ ጸላእየይከ ኽሳዕ መኣዝ እዩ
ዚዕብልለኒ፧ 3-4 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ጠምት እሞ ምለሰለይ። ኣነ ድቃስ ሞት ከይድቅስ፣
ጸላእየይ፣ ስዒረዮ፣ ከይብል፣ እንተ ተናወጽኩ፣ ተጻረርተይ ከይፍስሁስ፣ ነዒንተይ ኣብርሃየን። 5 ኣነ ግና
ብምሕረትካ እውከል ኣሎኹ፣ ልበይ ብምድሓንካ ይሕጐስ ኣሎ። 6 እግዚኣብሄር ሰናይ ገይሩለይ እዩ
እሞ፣ ምስጋናኡ ኽዝምር እየ።

## ምዕራፍ 14

1 ዓሻስ ብልቡ፣ ኣምላኽ የልቦን፣ ይብል። ብልሽዋት እዮም፣ ፍንፉን ግብሪ ገበሩ፣ ሓደ እኳ ሰናይ
ዚገብር የልቦን። 2 ንእግዚኣብሄር ዚደሊ ለባም እንተሎ ኺርኢ ኢሉስ፣ እግዚኣብሄር ካብ ሰማይ ናብ ደቂ
ሰብ ጠመተ። 3 ኵላቶም ዘምቢሎም፣ ብዘለዉ ኹላቶም ረኺሶም፣ ገለ ሰናይ ዚገብር የልቦን፣ ሓደ እኳ
የልቦን። 4 እዞም ንህዝበይ ከም እንጌራ ዚውሕጥዎ፣ ኣብ እግዚኣብሄር ዘይጠርዑ ገበርቲ እከይ
ኵላቶምሲ፣ ፍልጠትዶ የብሎምን እዮም፧ 5 እግዚኣብሄር ኣብ ወለዶ ጻድቃን እዩ እሞ፣ እንሆ፣ ዓብዪ
ፍርሃት ሒዝዎም። 6 ንምኽሪ ጥቑዕ ተቋናጽብዎ ኣሎኹም፣ ግናኸ እግዚኣብሄር መዕቈቢኡ እዩ። 7 ኣየ፣
ካብ ጽዮን ምድሓን እስራኤል እንተ ዚመጽእ። እግዚኣብሄር ምርኮ ህዝቡ ኺመልስ ከሎ፣ ሽዑ ያእቆብ
ኪሕጐስ፣ እስራኤልውን ባህ ኪብል እዩ።

## ምዕራፍ 15

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣብ ድንኳንካ ዚሐድር መን እዩ፧ ኣብቲ ኸረን ቅድስናኻ ዚነብርከ መን እዩ፧ 2 እቲ

ብቐንዕና ዚመላለስን ጽድቂ ዚገብርን ብልቡ ሓቂ ዚዛረብን፣ 3 ብልሳኑ ዘይሐሚ፣ ንመሓዛኡ ገለ ኽፉእ
ዘይገብሮ፣ ንብጻዩ ዘይጸርፎ፣ 4 እቲ ጽዩፍ ንዑቕ ኰይኑ ዚረአዮ፣ ንፈራህቲ እግዚኣብሄር ግና ዜኽብሮም፣
ዚጒድኦ እኳ እንተ ዀነ፣ ነቲ ዝመሐለሉ ዘይልውጦ፣ 5 ገንዘቡ ብሓረጣ ዘይህብ፣ ንጒድኣት ንጹህ ከኣ
መማለጃ ዘይቕበል፣ እቲ ኸምዚ ዚገብርሲ ንዘለኣለም ኣይናወጽን እዩ።

## ምዕራፍ 16

1 ዎ ኣምላኸ፣ ብኣኻ እውከል ኣሎኹ እሞ፣ ሓልወኒ። 2 ንእግዚኣብሄር፣ ንስኻ ጐይታይ ኢኻ፣ ብዘይ
ንስኻስ ሰናይ የብለይን፣ ኢለዮ። 3 ኣብ ምድሪ ዘለዉ ቅዱሳን፣ ንሳቶም ክቡራን እዮም፣ ባህገይ ኵሉ
ኣባታቶም እዩ ዘሎ፣ በልኩ። 4 ጻዕሪ እቶም ናብ ካልኦት ዚጐዩ ኺበዝሕ እዩ። ናይ ደም መስዋእቲ
መስቲኦም ኣይክስውእን፣ ንስሞም ከኣ ብኸናፍረይ ኣይከውስእን እየ። 5 እግዚኣብሄርሲ ኽፍሊ ርስተይን
ጽዋኤይን እዩ፣ ነቲ ብዕጻ ዝበጽሓኒ እተጽንዖ ንስኻ ኢኻ። 6 ኣብ ባህ ዜብል ቦታ ዕጻ በጺሑኒ፣ ኤረ
ጽቡቕ ርስቲ መጺኡኒ። 7 ነቲ ዚምዕደኒ እግዚኣብሄር እባርኾ ኣሎኹ፣ ብለይቲ እኳ ኰላሊተይ ይምህራኒ
እየን። 8 ንእግዚኣብሄር ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ ገይረዮ፣ ብየማነይ ስለ ዝኾነ፣ ኣይክናወጽን እየ። 9-10
ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል ኣይትሐድጋን፣ ቅዱስካውን ጥፍኣት ኪርኢ ኣይትፈቕድን ኢኻ እሞ፣ ስለዚ ልበይ
ይሕጐስ፣ ክብረይ እልል ይብል፣ ስጋይውን ኣብ ጽኑዕ ኪሐድር እዩ። 11 ንመገዲ ህይወት ትሕብረኒ፣ ኣብ
ቅድሚ ገጽካ ናይ ሓጐስ ጽጋብ፣ ኣብ የማናይካውን ንዘለኣለም ብጽእና ኣሎ።

## ምዕራፍ 17

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንጽድቂ ስምዓዮ፣ ናብ ጥርዓነይ ኣቕልብ፣ ናብቲ ኻብ ከንፈር ጥበራ ዘይመጸ ጸሎተይ
እዝንኻ ምለሰ። 2 ፍትሔይ ካብ ገጽካ ይውጻእ፣ ኣዒንትኻ ንቕንዕና ይርእያኣ። 3 ንልበይ ተዐዚብካዮ፣
ብለይቲ በጺሕካዮ፣ መርሚርካንስ ገለ እኳ ኣይረኸብካን፣ ካብ ኣፈይ ክፍኣት ከይወጽእ ምኽረይ ቈሪጸ
እየ። 4 ብዛዕባ ግብርታት ሰብሲ ንቓል ከናፍርካ ብምእዛዝ፣ ካብ መገድታት ዓመጽቲ ተዐቂበ። 5
ስጒምተይ ኣብ ኣሰርካ ይጽናዕ፣ ኣእጋረይ ሰንከልከል ኣይበላን። 6 ዎ ኣምላኸ፣ ትመልሰለይ ኢኻ እሞ፣
እጽውዓካ፣ እዝንኻ ናባይ ኣድንን፣ ንዘረባይ ጽን በሎ። 7 ነቶም ካብ ተጻረርቶም ኣባኻ ዜዕቍቡ፣ ንስኻ
ብየማናይ ኢድካ እተናግፎም፣ እቲ ዜደንቕ ሳህልኻ ኣርእዮም። 8-9 ካብቶም ጒድኣተይ ዚደልዩ ረሲኣን፣
ካብቶም ዚኸቡኒ ጸላእተይሲ፣ ከም መርዓት ዓይኒ ጌርካ ዐቅበኒ፣ ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ ሰውረኒ። 10
ንልቦም ብስብሒ ይዕጽውዎ፣ ብኣፎም ትዕቢት ይዛረቡ ኣለዉ። 11 ኣስኣሰርና ስዒቦም ሕጂ ይኸቡና፣
ናብ ምድሪ ኺውድቑና ኣዒንቶም የፍጥጡ ኣለዉ። 12 ነቲ ኺሰላልዕ ዚምነ ኣንበሳ፣ ነቲ ኣብ ሕቡእ
ዜድቢ ሽደን ኣንበሳ ይመስል። 13 ዎ እግዚኣብሄር፣ ተለዐል፣ ግጠመሉ፣ ኣውድቆ። ንነፍሰይ ካብ ረሲእ
ብሴፍካ ኣናግፋ። 14 ዎ እግዚኣብሄር፣ ካብ እዛ ዓለም እዚኣ፣ ግዲኦም ኣብዛ ህይወት እዚኣ ዝኾነ፣
ከብዶም ብመዝገብካ እትመልእ፣ ውሉዶም ዝበዝሑሎም፣ ተረፎም ከኣ ንሕጻውንቶም ዚሐድጉ ሰባት፣
ብኢድካ ኣድሕነኒ። 15 ኣነ ግና ንገጽካ ብጽድቂ ኽርእዮ፣ ምስ ነቓሕኩ ብትርኢትካ ኽጸግብ እየ።

## ምዕራፍ 18

1 ዎ እግዚኣብሄር ሓይለይ፣ ኣፍቅረካ እየ። 2 እግዚኣብሄርሲ ኸውሔይ፣ ዕርደይ፣ መናገፍየይ፣ ኣምላኸይ፣
ዝሀድመሉ ጸግዔይ፣ ዋልታይ፣ ቀርኒ ምድሓነይ፣ ልዕል ዝበለ ኸውለይ እዩ። 3 ናብቲ ሞሳ ዚግብኦ
እግዚኣብሄር ተማህለልኩ እሞ፣ ካብ ጸላእተይ ደሐንኩ። 4 መኣሰር ሞት ከቢቡኒ፣ ወሓይዝ ብልያል ከኣ
ሸቢሩኒ፣ 5 መኣሰር ሲኦል ከቢቡኒ፣ መፈንጠራታት ሞት በጺሑኒ ነይሩ። 6 ብጸበባይ ናብ እግዚኣብሄር
ተማህለልኩ፣ ናብ ኣምላኸይ ኣእዌኹ፣ ንድምጻይ ካብ መቕደሱ ሰምዖ፣ ኣውያተይውን ናብ ቅድሚኡ
ኣብ ኣእዛኑ በጽሔ። 7 ሽዑ ምድሪ ተናወጸት ራዕራዕ ድማ በለት፣ መሰረታት ኣኸራን ከኣ ኣንደቕደቑ፣ ንሱ
ነዲሩ እዩ እሞ፣ ኣንቀጥቀጡ። 8 ካብ ኣፍንጫኡ ትኪ ፈለል በለ፣ ካብ ኣፉ ኸኣ ሞኽ ዜብል ሓዊ ወጸ፣
ጓህሪ ኻብኡ መጸ። 9 ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ብርቱዕ ጣቓ ነበረ እሞ፣ ንሰማያት ለጠቕ ኣቢሉ ወረደ። 10 ኣብ
ኪሩቤል ተቐሚጡ በረረ፣ ቀልጢፉ ብኣኽናፍ ንፋስ ሸበበ። 11 ንሱ ጸልማት ንመሰወሪኡ፣ ጸልማት
ማያትን ብርቱዕ ደበናታትን ከኣ ንድንኳኑ ኣብ ዙርያኡ ገበሮ። 12 ብነጸብራቕ ገጹ ደበናታቱን በረድን
ጓህሪ ሓውን ሐለፈ። 13 እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ሰማያት ኣንጎድጎደ። እቲ ልዑል ብበረድን ብጓህሪ
ሓውን ድምጹ ኣስምዔ። 14 ፍላጻታቱ ወርዊሩ ፋሕ ኣበሎም፣ መባርቕ ኣብዚሑ ኣህደሞም። 15
ብተግሳጽካ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ብእስትንፋስ ኣፍንጫኻ መዓሙቕ ማያት ተራእዩ እሞ፣ መሰረታት
ዓለም ተቐልዔ። 16 ካብ ላዕሊ ልኢኹ ሐዘኒ፣ ስሒቡ ኻብ ብርቱዕ ማያት ኣውጽኣኒ። 17 እቲ ብርቱዕ
ጸላእየይን እቶም ዚጸልኡንን፣ ሐይሎሙኒ ነበሩ እሞ፣ ካብኣም ኣናገፈኒ። 18 ብመዓልቲ መከራይ ሐደጋ
ወደቑኒ፣ እግዚኣብሄር ግና ደጋፍየይ ኰነ። 19 ንሱ ናብ ገፊሕ ቦታ ኣውጽኣኒ፣ ብኂጉኒ እዩ እሞ፣ ኣናገፈኒ።
20-22 ንመገድታት እግዚኣብሄር ሐሊወየን፣ ብረሲእነት ካብ ኣምላኸይ ኣይረሐቕኩን፣ ንዅሉ ሕጋጋቱ
ኣብ ቅድመይ ሒዘዮ እየ፣ ንስርዓታቱ ድማ ካባይ ኣይፈሌኹዎን እሞ፣ እግዚኣብሄር ብመጠን ጽድቀይ
ከሒሱኒ፣ ከም መጠን ንጽህና ኣእዳወይ ፈድዩኒ እዩ። 23 ምስኡ ኸኣ ፍጹም ነይረ፣ ካብ ሓጢኣተይውን
ተሐልየ። 24 ስለዚ እግዚኣብሄር ብመጠን ጽድቀይ፣ ብመጠን እቲ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ዝዀነ ንጽህና
ኣእዳወይ ፈደየኒ። 25-27 ንስኻ ነቲ ዚስቀ ሰብ ተድሕኖ፣ ንዕቡያት ኣዒንቲ ግና ለጠቕ ተብለን ኢኻ እሞ፣
ምስቲ ሄርሲ ሄር፣ ምስቲ ቕኑዕውን ቅኑዕ ኢኻ፣ ምስቲ ንጹህሲ ንጹህ፣ ምስቲ ጠዋይ ድማ ጠዋይ ኢኻ።
28 ንመብራህተይ ተድምቖ ኢኻ እሞ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ንጸልማተይ የብርሆ እዩ። 29 ብኣኻ
ንሰራዊት እጥሕሶ እየ እሞ፣ ብኣምላኸይውን ንቐጽሪ እዘሎ። 30 መገዲ ኣምላኽሲ ፍጽምቲ እያ፣ ቃል
እግዚኣብሄር እተኾልዔ እዩ፣ ነቶም ብእኡ ዚውከሉ ዘበሉ ዋልታኦም እዩ። 31 ብዘይ እግዚኣብሄር እሞ
መን እዩ ኣምላኽ፧ ብዘይ ኣምላኽናኸ መን እዩ ኸውሒ፧ 32 እቲ ሓይሊ ዜዕጥቐኒ፣ ንመገደይ ከኣ ዜቕንዓ
ኣምላኽ፣ 33 ንሱ ነእጋረይ ከም ናይ እራብ ዚገብረን፣ ኣብቲ በሪኽ ቦታይ ዜቖምነ፣ 34 ንሱ ነእዳወይ
ውግእ፣ ንቐላጽመይ ድማ ምግታእ ቀስቲ ኣስራዚ ዘልመደን እዩ። 35 ዋልታ ምድሓንካ ድማ ሂብካኒ፣
የማነይቲ ኢድካውን ደጊፋትኒ፣ ሕያውነትካ ድማ ዓብዪ ገይሩኒ። 36 ኣእጋረይ ከይሰናኸላስ፣ ንመገደይ
ኣብ ትሕቲ ስጕምተይ ተርሕባ ኢኻ። 37 ንጸላእተይ ሰጕጎዮምን ኣርኪበዮምን፣ ከየጥፋእክዎም ከኣ
ኣይተመለስኩን። 38 ወቒዔዮምሲ ኺትንስኡ ኣይተኻእሎምን፣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋረይ ወዲቖም። 39
ንውግእሲ ሓይሊ ኣዕጢቕካኒ፣ ንተቓወምተይ ኣብ ትሕተይ ኣድኒንካዮም። 40 ዝባን ጸላእተይ ከኣ
ሂብካኒ፣ ንዚጸልኡኒውን ኣጥፊኤዮም። 41 ኣእውዮምሲ ዜድሕኖም ኣይነበረን፣ ናብ እግዚኣብሄር
ኣእውዮም፣ ኣይመለሰሎምን። 42 ከምቲ ንንፋስ ዚውፊ ሓመድ ደቒሰዮም፣ ከምቲ ጭቃ መገዲ
ኾስቲረዮም። 43 ካብ ክርክር ህዝቢ ኣናገፍካኒ፣ ርእሲ ኣህዛብ ገርካኒ፣ ዘይፈለጥክዎ ህዝቢ ተገዚኡኒ፣ 44
ብምስማዕ እዝኒ ጥራይ ተኣዚዞምኒ፣ ደቂ መጻእተኛታት ወሲሊቶምለይ። 45 ደቂ መጻእተኛታት
ጸምልዮም፣ እናንቀጥቀጡ ኻብ ከውሎም ወጺኦም። 46 እግዚኣብሄር ህያው እዩ፣ ከውሔይ ብሩኽ

ይኹን፣ ኣምላኽ ምድሓነይ ልዕል ይበል። [47] እቲ ሕነ ዚፈድየለይ፣ ነህዛብውን ዜግዝኣለይ፣ [48] ካብ
ጸላእተይ ዜውዕለንስ ኣምላኽ እዩ። እወ፣ ኣብ ልዕሊ ተጻረርተይ ልዕል እተብለኒ፣ ካብቲ ዓመጸኛ ሰብ
እትበልሃኒ ንስኻ ኢኻ። [49] ስለዚ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ከመስግነካ፣ ንስምካውን
ከዝምረሉ እየ። [50] ዓብዪ ድሕንነት ንንጉስ ይገብረሉ፣ ንቕቡኡ፣ ንዳዊት፣ ንዘርኡ ኸኣ ንዘለኣለም ምሕረት
ይገብረሎም።

## ምዕራፍ 19

[1] ሰማያት ክብሪ ኣምላኽ የዘንትዉ፣ ጠፈር ከኣ ግብሪ ኣእዳዉ የውሪ። [2] ሓንቲ መዓልቲ ነታ ሓንቲ
ትዛንያ፣ ሓንቲ ለይቲ ድማ ነታ ሓንትስ ፍልጠት ተሕልፈላ። [3] ዘረባ የልቦን፣ ምዝርራብ የልቦን፣
ድምጾምውን ኣይስማዕን እዩ። [4] ገመዶም ናብ ኲላ ምድሪ፣ ቃላቶም ድማ ክሳዕ ወሰን ዓለም ይወጽእ
ኣሎ፣ ንጸሓይ ከኣ ድንኳን ተኸለሎም። [5] ንሳ ኸም መርዓዊ ኻብ ሕልፍኚ ትወጽእ፣ ከም ጅግና ኸኣ
ንምጒያይ መገዲ ትሕጐስ ኣላ። [6] ምውጻኣ ኻብ ወሰን ሰማያት እዩ፣ ምዝዋራ ድማ ክሳዕ ወሰነን እዩ፣
ካብ ረስና ዚኸወል ከኣ የልቦን። [7] ሕጊ እግዚኣብሄር ፍጹም እዩ፣ ንነፍሲ ይመልሳ። ምስክር እግዚኣብሄር
እሙን እዩ፣ ንገርሂ የጥብቦ። [8] ስርዓት እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ፣ ንልቢ የሐጒሶ፣ ትእዛዛት እግዚኣብሄር
ንጹህ እዩ፣ ነዒንቲ የብርሄን። [9] ፍርሃት እግዚኣብሄር ንጹህ እዩ፣ ንዘለኣለም ይነብር፣ ፍርድታት
እግዚኣብሄር ሓቂ እዩ፣ ብዘሎውን ጻድቕ እዩ። [10] ካብ ወርቂ፣ ኤረ ኻብ ብዙሕ ጽሩይ ወርቂ እኳ ዚሕረ
እዩ፣ ካብ መዓር፣ ኤረ ኻብ መዓር ወለላ ዚጥዕም እዩ። [11] ባርያኻውን ብእኡ ተማሂሩ፣ ብምሕላዉ
ዓብዪ ኻሕሳ ኣሎ። [12] ንጌጋታቱ ዚፈልጥ መን እዩ፧ ካብቲ እተሰወረኒ ኣንጽሃኒ። [13] ንባርያኻ ኻብ ትዕቢት
ሐልዎ፣ ኣብ ልዕለይ ከይስልጥንውን ዕገቶ፣ ሽዑ ምሉእ ክኸውን፣ ካብ ዓብዪ ኣበሳ ኸኣ ክነጽህ እየ። [14]
ዎ እግዚኣብሄር፣ ከውሔይን መድሓንየይን፣ ቃላት ኣፈይን ሓሳባት ልበይን ኣብ ቅድሜኻ ብሁግ
ይኹን።

## ምዕራፍ 20

[1] እግዚኣብሄር ብመዓልቲ ጸበባ ይስማዕካ፣ ስም ኣምላኽ ያእቆብ ልዕል የብልካ። [2] ካብ መቕደስ ረዲኤት
ይስደደልካ፣ ካብ ጽዮን ከኣ ይደግፍካ። [3] ንመስዋእቲ ብልዕኻ ዘበለ ይዘክሮ፣ ንመስዋእቲ ምሕራርካውን
ይቀበሎ። [4] ነቲ ልብኻ ዚምነዮ ይሀብካ፣ ንምኽርኻ ዘበለውን ይፈጽሞ። [5] ብምንጋፍካ እልል ንብል፣
ንሰንደቕ ዕላማውን ብስም ኣምላኽና ነልዕሎ፣ ንዅሉ ልማኖኻ እግዚኣብሄር ይፈጽሞ። [6] ንቕቡእ
እግዚኣብሄር ከም ዜድሕኖ፣ ሕጂ ፈለጥኩ፣ ብናይ እታ የማነይቲ ሓይሊ ምድሓን ካብ ቅድስቲ ሰማዩ
ኺመልሰሉ እዩ። [7] ገሊኣቶም ብሰረገላታት ገሊኣቶምውን በፍራስ ይእመኑ፣ ንሕና ግና ንስም
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኽንዝክሮ ኢና። [8] ንሳቶም ደኒኖም ወዲቖም፣ ንሕና ግና ደልዲልና ንቘውም። [9]
ዎ እግዚኣብሄር፣ ንንጉስ ኣድሕኖ፣ በታ እንጠርዓላ መዓልቲ ይስምዓና።

## ምዕራፍ 21

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ንጉስ ብሓይልኻ ይሕጐስ፣ ብምድሓንካኸ ክንደይ ኣዝዩ ዘይፍሳህ። [2] ትምኒት ልቡ
ሂብካዮ፣ ልማኖ ኸናፍሩውን ኣይከላእካዮን። [3] ምስ በረኸት ሰናይ ተቓባቢልካዮ ኢኻ እሞ፣ ኣብ ርእሱ

ዘውዲ ጽሩይ ወርቂ ደፋእካሉ። 4 ህይወት ለመነካ፣ ምንዋሕ ዕድመ ንሓዋሩ ንዘለኣለም ሀብካዮ። 5
ብሳላ ምድሓንካ ኽብሩ ዓብዪ እዩ፣ ድንቅን ግርማን ድማ ወሰኽካዮ። 6 ንዘለኣለም ንበረኸት ጌርካዮ
ኢኻ እሞ፣ ኣብ ቅድሜኻ ብደስታ ኣሐጒስካዮ። 7 እቲ ንጉስ ብእግዚኣብሄር ይኣመን እዩ እሞ፣
ብምሕረት እቲ ልዑል ከቶ ኣይኪዘናባዕን እዩ። 8 ንጸላእትኻ ዘበሉ ኢድካ ኽትረኽቦም እያ፣ የማነይትኻ
ነቶም ዚጸልኡኻ ኽትረኽቦም እያ። 9 ምስ እትበጽሖምሲ፣ ከም ርሱን እቶን ክትገብሮም ኢኻ።
እግዚኣብሄር ብቑጥዓኡ ኺውሕጦም፣ ሓዊ ድማ ኪበልዖም እዩ። 10 ንፍሬኦም ካብ ምድሪ፣
ንዘርኦምውን ካብ ማእከል ደቂ ሰብ ከተጥፍኦ ኢኻ። 11 ክፍኣት ሐሊኖምልካ እዮም እሞ፣ ዘየስልጥዎ
እከይ መኺሩ። 12 ዝባኖም ከተምልሶም ኢኻ እሞ፣ ቀስትኻ ናብ ግምባሮም ኣቢልካ ኽተዳሉ ኢኻ። 13 ዎ
እግዚኣብሄር፣ ብሓይልኻ ልዕል በል፣ ንስልጣንካ ኽንምዝርን ክንውድስን ኢና።

# ምዕራፍ 22

1 ኣምላኸይ፣ ኣምላኸይ፣ ስለምንታይ ሐደግካኒ፧ ካብ ምርዳኤይን ካብ ቃላት ኣውያተይን ርሑቕ ኢኻ።
2 ዎ ኣምላኸይ፣ ብመዓልቲ እጠርዕ፣ ንስኻ ግና ኣይትመልስን፣ ብለይቲውን ትም ኣይብልን። 3 ኣታ
ብማህሌት እስራኤል እትነብር፣ ንስኻ ቅዱስ ኢኻ። 4 ኣቦታትና ኣባኻ ተወኪሎም እዮም፣ ተወኪሎም፣
ንስኻውን ኣናገፍካዮም። 5 ኣባኻ ኣእወዩ እሞ ደሐኑ፣ ኣባኻ ተወከሉ እሞ ኣይሐፈሩን። 6 ኣነ ግና ሓሰኻን
መላገጽ ሰብን፣ ብህዝቢ እተናዕቀን እየ እምበር፣ ሰብሲ ኣይኰንኩን። 7-8 ፣ዚርእዩኒ ዘበሉ የባጭዉለይ፣
ኣብ እግዚኣብሄር ይተዐቈብ፣ እስኪ የናግፎ፣ ብሂግዎ እዩ እሞ፣ ንሱ የድሕኖ፣ ኢሎም ርእሶም እናነቕነቑ
ኸናፍሮም ይርምጥጡለይ ኣለዉ። 9 ግናኸ ካብ ማሕጸን ወላዲት ዘውጻእካኒ፣ ኣብ ኣጥባት እኖይ
ብርግኣት ዘዕረፍካኒ ንስኻ ኢኻ። 10 ካብ ማሕጸን ወላዲት ኣባኻ ወደቕኩ፣ ካብ ከርሲ እኖይ ጀሚርካ
ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ። 11 ጭንቂ ቐሪቡ ኣሎ፣ ዚሕግዘኒውን የልቦን እሞ፣ ካባይ ኣይትርሐቕ። 12
ብዙሓት ኣረውሕ ከቢቦምኒ፣ ብርቱዓት ኣረውሕ ባሳን ኣማእኪሎምኒ። 13 ከምቲ ዚዝርፍን ዚጓዝምን
ኣንበሳስ ጕረሮኦም ይኸፍቱለይ ኣለዉ። 14 ኣነ ኸም ማይ ፈሰስኩ፣ ብዘሎ ኣዕጽምተይ ተፋላልዩ፣ ልበይ
ከም ስምዒ ኾነ፣ ኣብ ማእከል ኣምዑተይ ከኣ መኸኸ። 15 ሓይለይ ከም ገልዒ ነቒጹ፣ ልሳነይ ኣብ
ትንሓገይ ጠቢቑ፣ ናብ መሬት ሞት ኣውዲቕካኒ። 16 ኣኽላባት ከቢቦምኒ፣ ኣኼባ ገበርቲ እከይ
ኣማእኪሎምኒ፣ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ሸንኪሮምዎ እዮም እሞ፣ 17 ንዅሉ ኣዕጽምተይ ክቈጽሮ እኽእል
እየ፣ ንሳቶም ይጥምቱንን ይዕዘቡንን ኣለዉ። 18 ንኽዳውንተይ ይማቐልዎ፣ ንቐምሸይውን ዕጻ
የውድቑሉ። 19 ጐይታየ፣ ንስኻ ግና ካባይ ኣይትርሓቕ፣ ንስኻ ሓይለይ ኢኻ፣ ንምርዳኤይ ቀልጥፍ። 20
ንነፍሰይ ካብ ሴፍ፣ ነታ ቐንደይ ከኣ ካብ ኢድ ኣኽላባት ኣናግፋ። 21 ካብ ኣፍ ኣንበሳ ኣድሕነኒ፣ ካብ
ቀርኒ ጐባይ ሰማዕካኒ። 22 ስምካ ነሕዋተይ ከዘንትወሎም፣ ኣብ ማእከል ማሕበር ከመስግነካ እየ። 23
ኣቱም ንእግዚኣብሄር እትፈርሁ፣ ኣመስግንዎ። ኣቱም ዘርኢ ያእቆብ ዘበልኩም፣ ወድስዎ፣ ዘርኢ
እስራኤል ኵሉኹምውን፣ ፍርህዎ። 24 ንጸበባ እቲ ጥቑዕ ኣይነዐቐን፣ ኣየዋረዶን እዩ እሞ፣ ናብኡ ምስ
ኣእወየስ፣ ሰምዖ እምበር፣ ንገጹ ኻብኡ ኣይከወሎን። 25 እቲ ኣብ ዓብዪ ማሕበር ዘሎኒ ናእዳይ ካባኻ
እዩ። ኣብ ቅድሚ ዚፈርህዎ መብጽዓይ ክፍጽም እየ። 26 ትሑታት ኪበልዑን ኪጸግቡን፣ ንእግዚኣብሄር
ዚደልይዎ ኺውድስዎ እዮም፣ ልብኹም ንዘለኣለም ብህይወት ኪነብር እዩ። 27 ወሰን ምድሪ ዅሎም
ንእግዚኣብሄር ኪዝክርዎን ኪምለስዎን፣ ብዘለዉ ነገድ ኣህዛብውን ኣብ ቅድሜኻ ኪሰግዱ እዮም። 28
መንግስቲ ናይ እግዚኣብሄር እያ እሞ፣ ንሱውን ኣብ ኣህዛብ ኪጐይተት እዩ። 29 ናይ ምድሪ ስቡሓት

ዘበሉ ኺበልዑን ኪሰግዱን፣ እቶም ናብ መሬት ዚወርዱ ኹላቶም እሞ ብህይወት ኪነብሩ ዘይኽእሉ
ኣብ ቅድሚኡ ኺሰግዱ እዮም። [30] ዘርኢ ኺግዝኣሉ፣ ንዚመጽእ ወለዶ ብዛዕባ እግዚኣብሄር ኬዘንትውሉ
እዮም። [31] ንሱ ኸም ዝገበሮ፣ ነቲ ዚውለድ ህዝቢ መጺኦም ጽድቁ ኺነግርዎ እዮም።

## ምዕራፍ 23

[1] እግዚኣብሄር ጓሳይየይ እዩ፣ ዚጐድለኒ የብለይን። [2] ኣብ ልሙዕ ሽኻ የውዕለኒ፣ ናብ ዝዐርፈሉ ማይ
ይመርሓኒ። [3] ንሱ ንነፍሰይ የህድኣ፣ ምእንቲ ስሙ ኢሉ ብመገዲ ጽድቂ ይመርሓኒ። [4] በትርኻን
ምርኩስካን የጸናንዓኒ እዩ፣ ንስኻ ምሳይ ኢኻ እሞ፣ ብርባርባ ድነ ሞት እኳ እንተ ኸድኩ፣ ክፉእ
ኣይፈርህን እየ። [5] ንስኻ ኣብ ቅድሚ ገጽ ጸላእተይ መኣዲ ትሰርዓለይ፣ ንርእሰይ ብዘይቲ ትለኽዮ፣
ጽዋኤይ ይጀርብብ ኣሎ። [6] ብሓቂ ሳህልን ምሕረትን ብዅሉ ዕድመይ ኪስዕባኒ እየን፣ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ከኣ ንዘለኣለም ክነብር እየ።

## ምዕራፍ 24

[1-2] እግዚኣብሄር ንምድሪ ኣብ ባሕሪ ሰሪትዋ፣ ኣብ ወሓይዝውን ኣጽኒዕዋ እዩ እሞ፣ ንሳን ምልኣታን፣
ዓለምን ዚነብርዋን ናቱ እዮም። [3] ናብ ከረን እግዚኣብሄር ዚድይብ መን እዩ፧ ኣብቲ ቕዱስ ቦታኡ
ዚቐውምሲ መን እዩ፧ [4] እቲ ንጹህ ዝኣእዳዉን ንጹህ ዝልቡን፣ ነፍሱ ናብ ከንቱ ዘየልዕል፣ ብጥበራ
ዘይምሕል ሰብ እዩ። [5] ንሱስ በረኸት ካብ እግዚኣብሄር፣ ጽድቂውን ካብ ናይ ምድሓኑ ኣምላኽ ኪቕበል
እዩ። [6] እቶም ዚደልይዎ ወለዶ እዚኣቶም እዮም፣ ንገጽካ ዚደልዩ፣ ዎ ኣምላኽ ያእቆብ። [7] ኣቱም ደጌታት፣
ርእስኻትኩም ኣልዕሉ፣ ዎ ናይ ዘለኣለም ደጌታት፣ ልዕል በሉ፣ እቲ ንጉስ ክብሪውን ኪኣቱ እዩ። [8] እዚ
ንጉስ ክብሪኸ መን እዩ፧ እቲ ብርቱዕን ሓያልን እግዚኣብሄር፣ ኣብ ውግእ ዝብርቱዕ እግዚኣብሄር እዩ። [9]
ኣቱም ደጌታት፣ ርእስኻትኩም ኣልዕሉ፣ ዎ ናይ ዘለኣለም ደጌታት፣ ልዕል በሉ፣ እቲ ንጉስ ክብሪውን
ኪኣቱ እዩ። [10] እዚ ንጉስ ክብሪ እዚ መን እዩ፧ ጐይታ ሰራዊት፣ እቲ ንጉስ ክብሪ ንሱ እዩ።

## ምዕራፍ 25

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ነፍሰይ ናባኻ ኣልዕል ኣሎኹ። [2] ዎ ኣምላኸይ፣ ኣባኻ ተወኪለ እኔኹ። ኣይተሕፍረኒ፣
ጸላእተይ ብኣይ ደስ ኣይበሎም። [3] ንኣኻ ዚጽበዩ ከቶ ኣይኪሐፍሩን፣ እቶም ብዘይ ምኽንያት ዚጠልሙ
ግና ኪሐፍሩ እዮም። [4] ዎ እግዚኣብሄር፣ ጐደናታትካ ኣፍልጠኒ፣ መገድታትካ ምሀረኒ። [5] ንስኻ ኣምላኽ
ምድሓነይ ኢኻ እሞ፣ ብሓቅኻ ምርሓንን ኣስተምህረንን። ኵሉ መዓልቲ እጽበየካ ኣሎኹ። [6] ዎ
እግዚኣብሄር፣ ምሕረትካን ሳህልኻን ካብ ዘለኣለም እየን እሞ፣ ዘክረን። [7] ዎ እግዚኣብሄር፣ ንሓጢኣት
ንእስነተይን ኣበሳይን ኣይትዘክሮ፣ ከም ለውሃትካ፣ ስለ ሳህልኻ ኢልካ ዘክረኒ። [8] እግዚኣብሄር ሰናይን
ቅኑዕን እዩ፣ ስለዚ ንሓጥኣን መገዱ ኺምህሮም እዩ። [9] ንትሑታት ብፍርዲ ኺመርሖም፣ ንትሑታትውን
መገዱ ኬስተምህሮም እዩ። [10] ነቶም ኪዳኑን ምስክራቱን ዚሕልውስ፣ መገድታት እግዚኣብሄር ኵላተን
ሳህልን ሓቅን እየን። [11] ዎ እግዚኣብሄር፣ በደለይ ዓብዪ እዩ እሞ፣ ስለ ስምካ ኢልካ ይቕረ በለለይ። [12]
ንእግዚኣብሄር ዚፈርሆ ሰብ መን እዩ፧ ንእኡ እታ ዚሐርያ መገዲ ኺምህሮ እዩ። [13] ነፍሱ ብደሓን

ክትነብር፣ ዘርኡውን ንምድሪ ኺወርሳ እዩ። [14] ምስጢር እግዚኣብሄርሲ ነቶም ዚፈርህዎ እዩ፣ ንሱውን
ኪዳኑ ኼፍልጦም እዩ። [15] ነእጋረይ ካብ መርበብ ኬውጽኤን እዩ እሞ፣ ኣዒንተይ ኩሉ ጊዜ ናብ
እግዚኣብሄር እየን። [16] ኣነ በይነይን ሽጉርን እየ እሞ፣ ናባይ ቍሊሕ በል፣ ደንግጸለይውን። [17] ጭንቀት
ልበይ ዐዚዙ፣ ካብ ጸበባይ ኣውጽኣኒ። [18] ንመከራይን ጭንቀይን ርአዮ እሞ፣ ንዅሉ ሓጢኣተይ
ሕደገለይ። [19] ጸላእተይ በዚሖም እዮም እሞ፣ ርአዮም፣ ግፍዔኛ ጽልኢ ይጸልኡኒ ኣለዉ። [20] ንነፍሰይ
ሐልዋ ኣድሕነኒውን፣ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ እሞ፣ ኣይተሕፍረኒ። [21] ብኣኻ ተስፋ ገይረ ኣሎኹ እሞ፣
ንጽህናን ቅንዕናን ይሐልዋኒ።

[22] ዎ ኣምላኽ፣ ንእስራኤል ካብ ኩሉ ጸበባኡ ኣናግፎ።

# ምዕራፍ 26

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ብንጽህና ተመላሊሰ፣ ከይተሐንኰሉ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሄር ተወኪለ እየ እሞ፣
ፍረደለይ። [2] ዎ እግዚኣብሄር፣ መርምረንን ተዐዘበንን፣ ንልበይን ኰላሊተይን መርምሮ። [3] ሳህልኻ ኣብ
ቅድሚ ኣዒንተይ እዩ እሞ፣ ብሓቅኻ እመላለስ ኣሎኹ። [4] ምስ ሓሰውቲ ሰባት ኣይተቐመጥኩን፣ ምስ
ኣምሰሉታትውን ኣይከድኩን። [5] ንማሕበር እኩያት እጸልኣ፣ ምስ ረሲኣንውን ኣይቅመጥን እየ። [6-7] ፣ዎ
እግዚኣብሄር፣ ነእዳወይ ብንጽህና እሐጽበን፣ ድምጺ ምስጋና ኽሰምዕ፣ ንብዘሎ ተኣምራትካውን ምእንቲ
ኽዘንትዎስ፣ ንመሰውኢኻ እዞሮ ኣሎኹ። [8] ዎ እግዚኣብሄር፣ ንቤት ማሕደርካ፣ ነቲ ኽብርኻ ዚነብረሉ
ቦታ አፍቅሮ እየ። [9-10] ንነፍሰይ ምስቶም ኣብ ኣእዳዎም ዓመጻ ዘለዎም ሓጥኣን፣ ንህይወተይ ከኣ
ምስቶም የማነይቲ ኢዶም መማለጃ ዝመልኤት ሰብ ደም ኣይትመንጥላ። [11] ኣነስ ብንጽህናይ እየ
ዝመላለስ፣ ኣድሕነኒ ምሓረኒውን። [12] እግረይ ኣብ ጥጡሕ ቦታ ደው ኢላ ኣላ፣ ኣብ ማሕበራት
ንእግዚኣብሄር ከመስግኖ እየ።

# ምዕራፍ 27

[1] እግዚኣብሄር ብርሃነይን ምድሓነይን እዩ፣ ካብ መን ደአ እየ ዝፈርህ፧ እግዚኣብሄር ሓይሊ ህይወተይ
እዩ፣ ካብ መንከ እየ ዝስምብድ፧ [2] ገበርቲ እከይ ንስጋይ ኪውሕጡ ሓደጋ ምስ ወደቑኒ፣ ወደረኛታተይን
ጸላእተይን ባዕላቶም ተዛብዑ እሞ ወደቑ። [3] ኪቃወመኒ ኢሉ እኳ ሰራዊት እንተ ዚሰፍር፣ ልበይ
ኣይፈርህን እዩ፣ ኲናትውን እንተ ዚለዐለኒ፣ እምነት ኣሎኒ። [4-5] ብመዓልቲ ጸበባ ኣብ ዳሱ ኺሐብኣኒ፣
ኣብ ውሻጠ ድንኳኑ ኪኽውለኒ፣ ኣብ ከውሒ ልዕል ኬብለኒ እዩ እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ሓንቲ ነገር
ለሚነዮ። ውቃበ እግዚኣብሄር ንምርኣይ፣ መቕደሱውን ንምምርማርሲ ምሉእ ዕድመይ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ክነብር ደልየ ኣሎኹ። [6] ሎሚ ኸኣ ርእሰይ ኣብቶም ዚኸቡኒ ጸላእተይ ልዕል ኪብል እዩ፣
ኣብ ድንኳኑውን መስዋእቲ ብእልልታ ከቕርብ፣ ንእግዚኣብሄር ክዝምረሉን ክውድሶን እየ። [7] ዎ
እግዚኣብሄር፣ ንድምጻይ ስምዓዮ፣ ኣባኻ እምህለል ኣሎኹ፣ ምሐረኒ እሞ ምለሰለይ። [8] ልበይ ኣብ
ክንዳኻ ኹይኑ፣ ንገጻይ ድለይዎ ይብለኒ ኣሎ። ዎ እግዚኣብሄር፣ ንገጽካ እደልዮ እኔኹ። [9] ገጽካ
ኣይትሕብኣለይ፣ ንባርያኻ ብቍጥዓ ኣይትደርብዮ፣ ንስኻ ረዳተይ ኢኻ እሞ፣ ዎ ኣምላኽ ድሕንነተይ፣
ኣይትጠንጥነኒ፣ ኣይትሕደገኒ። [10] ኣቦይን እኖይን እኳ እንተ ዚጥንጥኑኒ፣ እግዚኣብሄርሲ ይእርንበኒ እዩ።
[11] ዎ እግዚኣብሄር፣ መገድኻ ምሀረኒ፣ ብምኽንያት ጸላእተይ ኰታ በታ ቕንዕቲ መገዲ ምርሓኒ። [12]

ሐሰውቲ ምስክር ዓመጻ ዜተንፍሱን ሰባት ተላዒሎም እዮም እሞ፣ ንኣደዳ ተጻረርተይ ኣይተሕልፈኒ። 13
ኣየ፣ ለውሃት እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ህያዋን ከም ዝርአዮ እንተ ዘይአምንሲ ... 14 ብእግዚኣብሄር
ተሰፎ፣ በርትዕ፣ ልብኻ ቀጥ ይበል፣ ኣጆኻ፣ እወ፣ ብእግዚኣብሄር ተስፋ ግበር።

## ምዕራፍ 28

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ናባኻ ኤእዊ ኣሎኹ፣ ከይመለስካለይ ስቕ እንተ በልካ፣ ኣነ ነቶም ናብ ጉድጓድ
ዚወርዱ ኽይመስልሲ፣ ዎ ኸውሔይ፣ ኣይትጽመመኒ። 2 ነእዳወይ ናብ ቅድስተ ቕዱሳን ኣልዒለ፣ ናባኻ
ኽምህለል ከሎኹ፣ ንድምጺ ጸሎተይ ስምዓዮ። 3 ምስ ረሲኣንን ምስቶም ኣብ ልቦም ክፍኣት ከለዎምሲ፣
ምስ ብጾቶም ሰላም ዚዛረቡ ገበርቲ እከይን ኣይትጕተተኒ። 4 ከም ግብሮምን ከም ክፍኣት ስራሖምን
ሀቦም፣ ከም ተግባር ኣእዳዎም ምለሰሎም፣ እቲ ዝገበርዎ ፍደዮም። 5 ንግብርታት እግዚኣብሄርን
ንተግባር ኣእዳዉን ኣየስተንትንዎን እዮም እሞ፣ ኬፍርሶም ኣይኪሀንጾምን ድማ እዩ። 6 እግዚኣብሄር
ንድምጺ ጸሎተይ ሰሚዕዎ እዩ እሞ፣ ስብሓት ይኹኖ። 7 እግዚኣብሄርሲ ሓይለይን ዋልታይን እዩ፣ ልበይ
ብእኡ ተወኪሉ፣ ኣነውን ተረዲኤ፣ ስለዚ ልበይ ይፍሳህ ኣሎ፣ ብመዝሙረይ ድማ ክውድሶ እየ። 8
እግዚኣብሄርሲ ሓይሎም እዩ፣ ንቕቡኡውን ዕርዲ ምድሓን እዩ። 9 ንህዝብኻ ኣድሕኖ፣ ንርስትኻ ድማ
ባርኾ፣ ጓስዮም፣ ንሓዋሩ ኸኣ ጹሮም።

## ምዕራፍ 29

1 ኣቱም ውሉድ ብርቱዓት፣ ንእግዚኣብሄር ሀቡ፣ ንእግዚኣብሄር ክብርን ሓይልን ሀብዎ። 2
ንእግዚኣብሄር እቲ ንስሙ ዚግብኦ ኽብሪ ሀብዎ ንእግዚኣብሄር ብጌጽ ቅድስና ስገዱሉ። 3 ድምጺ
እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ማያት እዩ፣ ኣምላኽ ክብሪ የንጐድጕድ ኣሎ፣ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ብዙሕ
ማያት እዩ። 4 ድምጺ እግዚኣብሄር ብስልጣን፣ ድምጺ እግዚኣብሄር ብግርማ እዩ። 5 ድምጺ እግዚኣብሄር
ንጽሕድታት ይሰብሮ፣ እግዚኣብሄር ንጽሕዲ ሊባኖስ ይሰባብሮ። 6 ንሊባኖስን ንስርዮንን ከም ብተይ፣
ከም ጣዕዋ ጐባይ የዕንድሮም።

7 ድምጺ እግዚኣብሄር ንሃልሃልታ ሓዊ ይስንጥቖ። 8 ድምጺ እግዚኣብሄር ንምድረ በዳ የንቀጥቅጦ፣
እግዚኣብሄር ንምድረ በዳ ቃዴስ የንቀጥቅጦ እዩ። 9 ድምጺ እግዚኣብሄር ንእራባት የውልደን፣ ንዱር
የርግፎ፣ ኣብ መቕደሱውን ኵሉ፣ ክብሪ፣ ይብል ኣሎ። 10 እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ማይ ኣይሂ ተቐመጠ፣
ኤረ እግዚኣብሄርሲ ንዘለኣለም ነጊሱ ኪቕመጥ እዩ። 11 እግዚኣብሄር ንህዝቡ ሓይሊ ይሀቦ፣ እግዚኣብሄር
ንህዝቡ ብሰላም ይባርኾ።

## ምዕራፍ 30

1 ንላዕሊ ስሒብካኒ፣ ንጸላእተይውን ብኣይ ኣየሐጐስካዮምን እሞ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ልዕል ኤብለካ
ኣሎኹ። 2 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ኣነ ናባኻ ኣእዌኹ፣ ንስኻውን ኣጥዔኻኒ። 3 ዎ እግዚኣብሄር፣
ንነፍሰይ ካብ ሲኦል ኣውጻእካያ፣ ናብ ጉድጓድ ከይወርድሲ፣ ንህይወት ኣድሐንካኒ። 4-5 ኵራኡ ንቕጽበት
ዓይኒ እዩ፣ ጸጋኡ ግና ንምሉእ ዕድመ ይጸንሕ፣ ምሸት ብኽያት ይሐድር፣ ንግሆ ግና እልልታ ይመጽእ

እዩ እሞ፣ ኣቱም ቅዱሳኑ፣ ንእግዚኣብሄር ዘምሩሉ፣ ንቕዱስ ዝኽሩውን ኣመስግኑ።

[6] ኣነንከ ብራህዋይ፣ ከቶ ኣይከንደልህጽን እየ፣ በልኩ። [7] ዎ እግዚኣብሄር፣ ብመጎስካ ንኸረነይ
ኣጽኒዕካዮ፣ ገጽካ ኸወልካዮ፣ ኣነውን ሰምበድኩ። [8] ዎ እግዚኣብሄር፣ ናባኻ አእውየ፣ ንእግዚኣብሄር
ለሚነዮ፣ ከምዚ ኢለ፣ [9] ናብ ጉድጓድ እንተ ወረድኩስ፣ ካብ ደመይ እንታይ ክትረብሕ ኢኻ፧ መሬትዶ
ኺውድሰካ፣ ንሓቅኻስ ኪሰብኮ ድዩ፧ [10] ዎ እግዚኣብሄር፣ ስማዕ እሞ ምሓረኒ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣
ረዳእየይ ኩን። [11-12] ነፍሰይ ምእንቲ ኽትዝምረልካን ስቕ ከይትብልንሲ፣ ብኽያተይ ናብ ሳሕቂ
ለዊጥካለይ፣ ከለይ ፈቲሕካስ፣ ደስታ ኣዕጢቕካኒ። ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ንዘለኣለም ክውድሰካ
እየ።

# ምዕራፍ 31

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣ ከቶ ኣይተሕፍረኒ፣ ስለ ጽድቅኻ ኢልካ ኣናግፈኒ። [2] እዝንኻ
ናባይ ኣድንን፣ ቀልጢፍካ ኣናግፈኒ፣ ጽኑዕ ከውሒ፣ ዕርዲ ምድሓነይ ኩነኒ። [3] እምባይን ዕርደይን ንስኻ
ኢኻ እሞ፣ ስለ ስምካ ኢልካ ምርሓኒ ኣሳልየኒውን። [4] ንስኻ ጸግዔይ ኢኻ እሞ፣ ካብቲ ብሕቡእ
ዘጻወዱለይ መፈንጠራ ኣውጽኣኒ። [5] ንመንፈሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቊባ ኣሎኹ፣ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ሓቂ፣ ኣድሒንካኒ ኢኻ። [6] ነቶም ናብ ከንቱነት ሓሶት ዚጽግዑ እጸልኦም እየ፣ ኣነ ግና ኣብ እግዚኣብሄር
እየ ዝውከል። [7-8] ንመከራይ ርኢኻዮ፣ ንጸበባ ነፍሰይ ፈሊጥካዮ፣ ናብ ኢድ ጸላኢ ኣይሀብካንን፣ ነእጋረይ
ኣብ ገፊሕ ቦታ ደው ኣቢልካየን ኢኻ እሞ፣ ብምሕረትካ ኽፍሳህ ክሕጐስውን እየ። [9] ዎ እግዚኣብሄር፣
ጸቢቡኒ እዩ እሞ ምሐረኒ፣ ዓይነይ፣ ነፍሰይ ከብደይውን ብሓዘን ማህሚኑ። [10] ህይወተይ ብጓሂ፣
ዓመታተይ ብእህህታ ተወዲኡ፣ ሓይለይ ብኣበሳይ ላሕሊሑ፣ ኣዕጽምተይውን ማህሚኑ እዩ እሞ፣ [11]
ብሰሪ ኵላቶም ጸላእተይሲ መጻረፊ ኰይነ፣ ንጐረባብተይ ኣውራ መጻረፊ፣ ንዚፈልጡኒ መፍርሒ
ኰይነ፣ እቶም ኣብ ኣደባባይ ዚርእዩኒ ኻባይ ይሀድሙ ኣለዉ። [12] ከም ምዉት ካብ ልቢ ተረሲዔ፣ ከም
ስቡር ኣቕሓ ኰይነ። [13] ሕሜት ብዙሓት ሰሚዔ ኣሎኹ እሞ፣ ኣብ ኵሉ ወገን ስምባድ ኣሎ።
ንጉድኣተይ ኪመኽሩ ኸለዉ፣ ንህይወተይ ኪነጥቅዋ ጠላለፉ። [14] ኣነ ግና፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣባኻ
እውከል ኣሎኹ፣ ኣነስ፣ ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ፣ በልኩ። [15] ዕለታተይ ኣብ ኢድካ እየን፣ ካብ ኢድ
ጸላእተይን ሰጐጕተይን ኣናግፈኒ። [16] ንገጽካ ናብ ባርያኻ ኣብርሃዮ፣ ብሳህልኻ ኣድሕነኒ። [17] ዎ
እግዚኣብሄር፣ ናባኻ ተማህሊለ ኣሎኹ እሞ፣ ኣይተሕፍረኒ። ረሲኣን ይሕፈሩ፣ ኣብ ሲኦልውን ስቕ
ይበሉ። [18] እተን ንጻድቕ ብትዕቢትን ንዕቀትን ደፊረን ዚዛረባኦ ሓሰውቲ ኸናፍርሲ ይተዐበሳ ደኣ። [19]
ነቶም ዚፈርሁኻ ዝዐቈርካሎም፣ ነቶም ኣባኻ ዚምሕጸኑ፣ ኣብ ቅድሚ ደቂ ሰብ ዘዳሎኻዮ ለውሃትካ
ኽንደይ ዓብዪ እዩ። [20] ካብ ውዲት ሰብ ብመሰወርያ ገጽካ ትኽውሎም፣ ካብ ክርክር መልሓስ ኣብ
ድንኳንካ ትሐብኦም። [21] ኣብ ጽንዕቲ ኸተማ ዜደንቕ ሳህሉ ኣርእዩኒ እዩ እሞ፣ እግዚኣብሄር ይባረኽ። [22]
ኣነስ ብስምባደይ፣ ካብ ኣዒንትኻ ተሰጒጎ እየ፣ በልኩ፣ ናባኻ እንተ ኣእዌኹ ግና፣ ድምጺ ጸሎተይ
ሰማዕካ። [23] ኣቱም ቅዱሳኑ ኵሉኹም፣ ንእግዚኣብሄር ኣፍቅርዎ። እግዚኣብሄር ንእሙናት ይሕልዎም፣
ንዕቡይ ከኣ ኣብዚሑ ይፈድዮ እዩ። [24] ኣቱም ብእግዚብሄር ተስፋ እትገብሩ ኵሉኹም፣ በርትዑ፣
ልብኹምውን ይጽናዕ።

# ምዕራፍ 32

1 ኣበሳኡ እተሐድገሉ፣ ሓጢኣቱ እተሰወረሉ ሰብ ብጹእ እዩ። 2 እግዚኣብሄር በደሉ ዘይጽብጽበሉ፣ ኣብ
መንፈሱውን ልግሚ ዜብሉ ሰብ ብጹእ እዩ። 3 ስቕ ኢለ ኽሎኹ፣ ምሉእ መዓልቲ ብምግዓረይ
ኣዕጽምተይ ዘርጋሕጋሕ በለ። 4 ለይትን መዓልትን ኢድካ ኸበደትኒ እሞ፣ ከም ብሃሩር ሓጋይ ማራይ
ነቐጸ። 5 ሓጢኣተይ ኣፍለጥኩኻ፣ በደለይውን ኣይሰወርኩን፣ ንእግዚኣብሄር ኣበሳይ ክናዘዘሉ እየ፣
በልኩ። ንስኻውን እከይ ሓጢኣተይ ይቕረ በልካለይ። 6 ስለዚ ደጊ ዘበለ ዅሉ ብእትርከበላ ጊዜ
ይልምነካ፣ ብሓቂ ብርቱዕ ውሒዝ እንተ ደፍኤውን፣ ኣይኪበጽሖን እዩ። 7 ንስኻ ኸውለይ ኢኻ፣ ካብ
ጸበባ ትሕልወኒ፣ ብእልልታ ምድሓን ትኸበኒ፣ 8 ኣነ ኽምህረካ፣ ነታ እትኸደላ መገዲ ድማ ከርእየካ እየ፣
ዓይነይ ናባኻ ኣቢለውን ክመኽረካ እየ። 9 ከምቶም ኣእምሮ ዜብሎም፣ ናባኻ ምቕራብ ስለ ዝኣበየ፣
ብልባብን ብልጓምን ዚግርሑ ኣፍራስን ኣባቕልን ኣይትኹኑ። 10 ንረሲእ ብዙሕ ስቓይ ኣለዎ፣ ነቲ ኣብ
እግዚኣብሄር ዚውከል ግና፣ ንእኡ ብጸጋ ኪኸቦ እዩ። 11 ኣቱም ጻድቃን፣ ብእግዚኣብሄር ተሐጎሱ፣ ባህ
ድማ ይበልኩም፣ ኣቱም ቅኑዓት ልቢ ዅላትኩም፣ እልል በሉ።

## ምዕራፍ 33

1 ኣቱም ጻድቃን፣ ብእግዚኣብሄር እልል በሉ፣ ንቕኑዓትሲ ምስጋና ይግብኦም እዩ። 2 ንእግዚኣብሄር
ብመሰንቆ ኣመስግንዎ፣ ዓሰርተ ኣውታር ብዘለዎ በገና ዘምሩሉ። 3 ሓድሽ መዝሙር ዘምሩሉ፣ ብእልልታ
ኣጸቢቕኩም ቃንዩሉ። 4 ቃል እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ እሞ፣ ተግባሩ ዅሉውን እሙን እዩ። 5 ጽድቅን
ፍርድን ይፈቱ፣ ምድሪ ብሳህሊ እግዚኣብሄር መሊኣ እያ። 6 ሰማያት ብቓል እግዚኣብሄር፣ ብዘሎ
ሰራዊቶምውን ብስትንፋስ ኣፉ ተገብሩ። 7 ንማያት ባሕሪ ኸም ኵልስስቲ ይዅምሮ፣ ንመዓሙቕ ኣብ
መዛግብቲ ይእክቦ። 8-9 ንሱ በለ፣ ኰነ ድማ፣ ንሱ ኣዘዘ፣ ቌመ ኸኣ እሞ፣ ምድሪ ብመልኣ ንእግዚኣብሄር
ትፍርሃዮ፣ ኣብ ዓለም ዚነብሩ ዅሎም ብእኡ ይሸበሩ። 10 እግዚኣብሄር ንምኽሪ ኣህዛብ ከንቱ ይገብሮ፣
ንሓሳባት ህዝብታት የጥፍኦ። 11 ምኽሪ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም እዩ፣ ሓሳባት ልቡውን ካብ ወለዶ
ንወለዶ ይቐውም። 12 እግዚኣብሄር ዝኣምላኹ ህዝቢ፣ እቲ ንርስቱ ዝሐረዮ ህዝቢ ብጹእ እዩ። 13
እግዚኣብሄር ካብ ሰማያት የማዕዱ፣ ንዅሎም ደቂ ሰብ ይጥምቶም፣ 14-15 እቲ ልቢ ዅላቶም ዚሰርሕ፣
ተግባር ኵላቶም ከኣ ዜስተብህልሲ፣ ንሱ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ዅሎም ካብ ቦታ ማሕደሩ
ይምልከቶም እዩ። 16 ንጉስ ብምብዛሕ ሰራዊቱ ኣይድሕንን፣ ጅግና ብዓብዪ ሓይሉ ኣይናገፍን። 17 ፈረስ
ንምድሓን ከንቱ እዩ፣ ብዓብዪ ሓይሉ ኣየናግፍን። 18-19 እንሆ፣ ንነፍሶም ካብ ሞት ከተናግፋ፣ ብዘመን
ጥሜትውን ብህይወት ከተንብሮም፣ ዓይኒ እግዚኣብሄር ናብቶም ዚፈርህዎ፣ ናብቶም ብምሕረቱ ተስፋ
ዚገብሩ እያ። 20 ነፍስና ንእግዚኣብሄር ትጽበዮ፣ ሓገዝናን ዋልታናን ንሱ እዩ። 21 ኣብ ቅዱስ ስሙ
ኣዕቍብና ኢና እሞ፣ ልብና ብእኡ ይሕጐስ ኣሎ። 22 ዎ እግዚኣብሄር፣ ከምቲ ብኣኻ ተስፋ ዝገበርናዮ፣
ጸጋኻ ኣብ ልዕሌና ይኹን።

## ምዕራፍ 34

1 ንእግዚኣብሄር ኵሉ ጊዜ እባርኾ፣ ውዳሴኡ ንሓዋሩ ኣብ ኣፈይ እዩ። 2 ነፍሰይ ብእግዚኣብሄር ክትሕበን
እያ፣ ትሑታት እዚ ሰሚዖም ኪሕጐሱ እዮም። 3 ንእግዚኣብሄር ምሳይ ኣዕብይዎ፣ ንስሙ ሐቢርና ልዕል
ነብሎ። 4 ንእግዚኣብሄር ደሌኽዎ፣ ንሱውን መለሰለይ፣ ካብ ኵሉ ፍርሃተይ ኣናገፈኒ። 5 ናብኡ ዚጥምቱ

የንጸባርቑ፣ ገጾምውን ከቶ ኣይሐፍርን። 6 እዚ መስኪን እዚ ኣእወየ፣ እግዚኣብሄርውን ሰምዖ፣ ካብ ኵሉ
ጸበባኡ ኣድሐኖ። 7 መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ ዙርያ እቶም ዚፈርህዎ ይሰፍር የናግፎም ከኣ እዩ። 8
እግዚኣብሄር ሰናይ ምዃኑ ጥዐሙን ርአዩን፣ ኣብኡ ዚውከል ሰብ ብጹእ እዩ። 9 ነቶም ዚፈርህዎ ገለ
ኣይጐድሎምን እዩ እሞ፣ ኣቱም ቅዱሳኑ፣ ንእግዚኣብሄር ፍርህዎ። 10 ኰራኵር ኣናብስ ይስእኑን
ይጠምዩን፣ ንእግዚኣብሄር ዚደልይዎ ግና ሰናይ ዘበለ ከቶ ኣይጐድሎምን።

11 ደቀየ፣ ፍርሃት እግዚኣብሄር ክምህረኩምሲ፣ ንዑ ስምዑኒ።

12 ህይወት ዚፈቱ፣ ጽቡቕ መዓልትታት ኪርኢ ዚደሊ ሰብ መን ኣሎ፧ 13 መልሓስካ ኻብ እከይ፣
ከናፍርካውን ካብ ምዝራብ ጥልመት ሐሉ፣ 14 ካብ እከይ ርሐቕ፣ ሰናይ ከኣ ግበር፣ ንሰላም ድለያ
ስዐባውን። 15 ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ናብ ጻድቃን፣ ኣእዛኑ ኸኣ ናብ ኣውያቶም እየን። 16 ንመዘከርታኦም
ካብ ምድሪ ምእንቲ ኺጥፍኦስ፣ ገጽ እግዚኣብሄር ናብቶም ገበርቲ እከይ እዩ። 17 ጻድቃን የእውዩ፣
እግዚኣብሄር ድማ ይሰምዖም፣ ካብ ኵሉ መከራኦምውን የናግፎም። 18 እግዚኣብሄር ነቶም ስቡር ልቢ
ዘለዎም ቀረባኦም እዩ፣ ነቶም ቅጥቁጥ መንፈስ ዘለዎም ድማ የድሕኖም። 19 ናይ ጻድቕ መከራ ብዙሕ
እዩ፣ እግዚኣብሄር ግና ካብ ኵሉ የናግፎ። 20 ንሱ ንዅለን ኣዕጽምቱ ይባልሄን፣ ሓንቲ እኳ ኣይትስበርን።
21 ክፍኣት ንረሲእ ይቐትሎ፣ ንጻድቕ ዚጸልኡ ኸኣ ኪኹነኑ እዮም። 22 እግዚኣብሄር ንነፍሲ ባሮቱ
ይብጀወን፣ ካብቶም ኣብኡ ዜዕቍቡ ኸኣ ሓደ እኳ ኣይኵነንን እዩ።

# ምዕራፍ 35

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ነቶም ዚበአሱኒ ተባአሶም፣ ነቶም ዚዋግኡኒ ውግኣዮም።

2 ዋልታን ገለብን ሐዝ እሞ፣ ንምርዳኤይ ተንስእ። 3 ኲናት ኣምበጥብጥ፣ መገዲ ሰጐጕተይውን ዕጾ፣
ንነፍሰይ፣ ምድሓንኪ ኣነ እየ፣ በላ። 4 ንነፍሰይ ዚደልይዋ ይሕፈሩን ይነውሩን፣ ጥፍኣተይ ዚሐስቡ
ንድሕሪት ይመለሱን ይሕፈሩን። 5 ከምቲ ኣብ ቅድሚ ንፋስ ዘሎ ብቚቡቕ ይኹኑ፣ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ከኣ የባርሮም። 6-7 ብዘይ ምኽንያት መፈንጠራኦም ብሕቡእ ዘርጊሖምለይ፣ ብዘይ
ምኽንያት ንነፍሰይ ጕድጓድ ኲዒቶምላ እዮም እሞ፣ መገዶም ጸልማትን መንደልህጾን ትኹን፣ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ድማ ይስጐጎም። 8 ብድንገት ጥፍኣት ይምጽኣዮ፣ እታ ዝሰወራ መፈንጠራኡ ትሐዞ፣
ንጥፍኣቱ ናብኣ ይውደቕ። 9 ነፍሰይ ግና ብእግዚኣብሄር ባህ ኪብላ፣ ብምድሓኑውን ክትሕጐስ እያ። 10
ኣዕጽምተይ ኵለን፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ንመስኪን ካብቲ ዚሕይሎ፣ ንመስኪንን ድኻን ካብቲ
ዚብዝብዞ ዜናግፍ፣ ንኣኻ ዚመስልከ መን ኣሎ፧ ኪብላ እየን። 11 ሓሰውቲ ምስክር ተንሲኦም፣
ዘይፈለጥክዎ ነገር ይሐቱኒ፣ 12 ኣብ ክንዲ ሰናይ እከይ ይፈድዩኒ፣ ነፍሰይ ዘኽቲማ ኣላ። 13 ኣነስ፣ እንተ
ሐመሙ፣ ከሊ ተኸደንኩ፣ ንነፍሰይ ብጾም ቀጻዕክዋ፣ ርእሰይ ኣድኒነ ጸሌኹ። 14 ፈታውየይን ሓወይን
ከም ዝነበረ ገይረ ተመላለስኩ፣ ብወላዲቱ ኸም ዚበኪ ደኒነ ሐዘንኩ። 15 እንተ ሐንከስኩ ግና፣ ሐቢሮም
ባህ በሎም፣ ክፉኣት ሐበሩለይ፣ ኣይፈለጥኩን ከኣ፣ ቀደዱኒ ኣይሓደጉንንውን፣ 16 ምስቶም ግቡዛት
ዋዘኛታት ኰይኖም፣ ኣስናኖም ሐርቀሙለይ። 17 ጐይታየ፣ ክሳዕ መአዝከ ነዚ ኽትጥምቶ ኢኻ፧ ንነፍሰይ
ካብ ጥፍኣቶም፣ ነታ ቕንደይ ካብ ኣናብስ ኣናግፋ። 18 ኣብ ዓብዪ ማሕበር ኤመስግነካ፣ ኣብ ማእከል
ብዙሓት ህዝቢ እውድሰካ። 19 ነቶም ብኽምኡ ዚጻረሩኒ ብኣይ ኣይተሐጕሶም፣ እቶም ብዘይ ምኽንያት
ዚጸልኡኒውን በዒንቶም ኣይጣቐሱለይ። 20 ሰላም ኣይዛረቡን እዮም እሞ፣ ነቶም ርጉኣት እታ ሃገርሲ

ጥልመት ይምህዙሎም ኣለዉ። 21 ኣፎም ናባይ ሃህ ኣቢሎም፣ ኣሰይ ኣሰይ፣ ዓይንና ረአየቶ፣ ይብሉ
ኣለዉ። 22 ዎ እግዚኣብሄር፣ ርኢኻዮ ስቕ ኣይትበል፣ ጐይታየ፣ ካባይ ኣይትርሓቕ። 23 ዎ ኣምላኸይ
ጐይታይውን፣ ንመሰለይ ንቓሕ፣ ንነገረይ ድማ ተንስእ። 24 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣምላኸይ፣ ከም ጽድቅኻ
በይነለይ፣ ብኣይ ድማ ኣይተሐጐሶም። 25 ብልቦም፣ ኣሰይ፣ ድሌትና ኾነ፣ ኣይበሉ፣ ወሐጥናዮ፣ ኣይበሉ።
26 ነቶም ብጸገመይ ዚሕጐሱ ኹሎም ኣሕቢርካ ኣሕፍሮምን ኣነውሮምን፣ እቶም ዚዕበዩለይ ውርደትን
ነውርን ይልበሱ። 27 እቶም ንጽድቀይ ዚፈትዉ እልል ይበሉን ይተሐጐሱን፣ ኵሉ ጊዜውን፣ ናይ ባርያኡ
ሰላም ዚፈቱ ጐይታ ዓብዩ እዩ፣ ይበሉ። 28 መልሓሰይ ድማ ጽድቅኻ፣ ምሉእ መዓልቲውን ምስጋናኻ
ኽትነግር እያ።

## ምዕራፍ 36

1 ረሲእ ብውሽጢ ልቡ ኽፍኣት ይዛረብ፣ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቱ ፍርሃት እግዚኣብሄር የልቦን። 2 ሓጢኣቱ
ኽም ዘይርከብን ዘይጽላእንሲ፣ በዒንቱ ንርእሱ ይጥብራ እዩ እሞ፣ 3 ቃላት ኣፉ እከይን ጥልመትን እዩ፣
ጠቢብ ምዃንን ሰናይ ምግባርን ሐዲጉ። 4 ኣብ ምድቃሱ ኽፍኣት ይፍሕስ፣ ኣብ ዘይጽብቕቲ መገዲ
ይቐውም፣ ንእከይ ኣይጽየፎን እዩ። 5 ዎ እግዚኣብሄር፣ ሳህልኻ ኽሳዕ ሰማያት፣ እምንነትካውን ክሳዕ
ደበናታት ይበጽሕ። 6 ጽድቅኻ ኽም ኣኽራን ኣምላኽ እዩ፣ ፍርድታትካ ገፊሕ መዓሙቕ እዩ። ጐይታየ፣
ንሰብን እንስሳን ትባልሆም ኢኻ። 7 ዎ ኣምላኽ፣ ሳህልኻ ኽንደይ ክቡር እዩ፣ ደቂ ሰብ ከኣ ኣብ ትሕቲ
ጽላል ኣኽናፍካ ይጽግዑ። 8 ብስብሒ ቤትካ ይጸግቡ፣ ካብ ወሓዚ ባህታኻውን ተስትዮም። 9 ናይ
ህይወት ፈልፋሊ ኣባኻ እዩ እሞ፣ ብብርሃንካ ብርሃን ንርኢ ኣሎና። 10 ሳህልኻ ነቶም ዚፈልጡኻ፣
ጽድቅኻውን ንቕኑዓት ልቢ ወስኽ። 11 እግሪ ዕቡይ ኣይምጽኣኒ፣ ኢድ ረሲኣን ኣይትስጐጒኒ። 12 እንሆ፣
እቶም ገበርቲ እከይ ኣብኣ ወደቑ። ተፈገጡ፣ ኪትንስኡ ኸኣ ኣይኽእሉን እዮም።

## ምዕራፍ 37

1-2 ከም ሳዕሪ ቐልጢፎም ኪዕጸዱ፣ ከም ልምሉም ቄጽሊ ኸኣ ኪጽምልዉ እዮም እሞ፣ በቶም ገበርቲ
እከይ ኣይትኹረ፣ በቶም ዓመጽቲውን ኣይትቕናእ። 3 ብእግዚኣብሄር ተማዕቈብ፣ ሰናይ ድማ ግበር
ኣብታ ሃገር ተቐመጥ፣ እምነት ከኣ ድለ። 4 ብእግዚኣብሄርውን ተሐጐስ፣ ልብኻ ዚደልዮ ንሱ ኺህበካ
እዩ። 5 መገድኻ ንእግዚኣብሄር ኣማዕቍቦ፣ ኣብኡ ተወከል፣ ንሱውን ኬስልጠልካ እዩ። 6 ንሱ ንጽድቅኻ
ኸም ብርሃን፣ ንፍርድኻውን ከም ቀትሪ ኼውጽኦ እዩ። 7 ንእግዚኣብሄር ሀዲእካ ተጸበዮ፣ በቲ ብመገዱ
ዚሰልጠሉ፣ በቲ ሕሱም ሃቐና ዚፍጽም ሰብ ኣይትኹረ። 8-9 እኩያት ኪጸንቱ እዮም፣ ንእግዚኣብሄር
ዚጽበይዎ ግና ንምድሪ ኺወርስዋ እዮም እሞ፣ ኵራ ግደፍ ሓርቕትውን ሕደግ፣ ኣይተንጸርጽር፣ እዝስ
ናብ እከይ ጥራይ እዩ ዜብጽሕ። 10 ቅሩብ ጸኒሑ እቲ ረሲእ የሎን፣ ቦታኡ ኽትደልዮ ኢኻ፣ ኣይኪህሉን
ድማ እዩ። 11 ትሑታት ግና ንምድሪ ኺወርስዋ እዮም፣ ብብዝሒ ሰላም ከኣ ደስ ኪብሎም እዩ። 12
ረሲእ ንጻድቕ ይፍሕሰሉ፣ ኣስናኑውን ይሕርቅመሉ።

13 እግዚኣብሄር ዕለቱ ኸም እትመጽእ ይርኢ እዩ እሞ ይስሕቆ። 14 ረሲኣንሲ ንጥቑዕን ድኻን
ኬውድቕዎ፣ ነቶም ብቕኑዕ መገዲ ዚኸዱ ኸኣ ኪሐርድዎም፣ ሰይፎም መሰቱ ቀስቶምውን ገተሩ። 15
ሰይፎም ናብ ልቦም እዩ ዚኣቱ፣ ቀስቶምውን ኪስበር እዩ። 16-17 ቀላጽም ረሲኣን ኪስበር እዩ፣ ንጻድቃን

ግና እግዚኣብሄር ይድግፎም እዩ እሞ፣ ካብ ሃብቲ ብዙሓት ረሲኣንሲ ሒደት ናይ ጻድቕ ይበልጽ። [18]
እግዚኣብሄር ንመዓልትታት ንጹሃት ይፈልጠን፣ ርስቶም ከኣ ንዘለኣለም ኪነብር እዩ። [19] ብኽፉእ ዘመን
ኣይኪሐፍሩን፣ ብመዓልትታት ጥሜትውን ኪጸግቡ እዮም። [20] ረሲኣን ግና ኪጠፍኡ እዮም፣ ጸላእቲ
እግዚኣብሄር ድማ ከም ጌጽ ሸኻ እዮም፣ ኪበኑ፣ እወ፣ ከም ትኪ ኺበኑ እዮም። [21-22] እቶም ብሩኻቱ
ንሃገር ኪወርስዋ፣ እቶም ንሱ ዚረግሞም ግና ኪጸንቱ እዮም እሞ፣ ረሲእ ይልቃሕ ኣይመልስንውን፣
ጻድቕ ግና ርሕሩሕ እዩ እሞ ይህብ። [23] ስጕምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር ይጸንዕ፣ መገዱ ኸኣ ባህ የብሎ። [24]
እግዚኣብሄር ብኢዱ ይድግፎ እዩ እሞ፣ እንተ ተዐንቀፈ እኳ ፈጺሙ ኣይኪወድቕን እዩ። [25] ንእሽቶ
ነበርኩ፣ ኣሪገ ኸኣ እኔኹ፣ ግናኸ ጻድቕ ተሐዲጉን፣ ዘርኡ እንጌራ ኺልምኑን ከቶ ኣይርኤኹን። [26] ኵሉ
መዓልቲ ርሕሩሕ እዩ እሞ የለቅሕ፣ ዘርኡውን ብሩኽ እዩ። [27-28] እግዚኣብሄር ፍርዲ ይፈቱ፣ ንቕዱሳኑ
ኸኣ ኣይሐድጎምን፣ ንዘለኣለም ይሕለዉ፣ ዘርኢ ረሲኣን ግና ይጸንት እዩ እሞ፣ ካብ እከይ ርሐቕ ሰናይ
ከኣ ግበር፣ ንዘለኣለምውን ክትነብር ኢኻ። [29] ጻድቃን ንሃገር ኪወርስዋ፣ ኣብኣውን ንዘለኣለም ኪነብሩ
እዮም። [30] ኣፍ ጻድቕ ጥበብ ይዛረብ፣ ልሳኑ ኸኣ ፍርዲ ይነግር። [31] ሕጊ ኣምላኹ ኣብ ልቡ እዩ፣ ስጕምቱ
ሰንከልከል ኣይኪብልን እዩ።

[32] ረሲእ ንጻድቕ ይጸናተዎ ኪቕትሎምውን ይደሊ። [33] እግዚኣብሄር ኣብ ኢዱ ኣይኪሐድጎን፣ ኪፍረድ
ከሎውን ኣይኪኾንኖን እዩ። [34] ንእግዚኣብሄር ተጸበዮ መገዱውን ሐሉ፣ ንሃገር ምእንቲ ኽትወርሳ ልዕል
ኬብለካ እዩ፣ ረሲኣን ኪጸንቱ ኸለዉ ኽትርኢ ኢኻ። [35] ንረሲእ፣ ከም ኣብ ቦታኡ ኣስፋሕፊሓ
ዝለምለመት ኦም፣ ብስልጣኑ ርኤኽዎ። [36] ምልስ እንተ በልኩ ግና፣ ሰኣንክዎ፣ ደሌኽዎ እሞ
ኣይረኸብክዎን። [37] ንፍጹም ሰብሲ ጠምቶ፣ እዚ ሰብ እዚ ዳሕራዩ ሰላም እዩ እሞ፣ ነዚ ቕኑዕ ርአዮ። [38]
በደልቲ ግና ኵላቶም ኪጠፍኡ እዮም፣ ረሲኣንውን ዳሕራዮም ኪቑረጽ እዩ። [39] ምድሓን ጻድቃን ግና
ካብ እግዚኣብሄር እዩ፣ ንሱ ብዘመን ጸገማ መኸወሊኦም እዩ። [40] እግዚኣብሄር ይረድኦምን የናግፎምን፣
ናብኡ ተጸጊዖም እዮም እሞ፣ ካብ ረሲኣን የናግፎምን የድሕኖምን እዩ።

# ምዕራፍ 38

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ብኹራኻ ኣይትገስጸኒ፣ ብነድርኻ ኣይትቕጸዓኒ።

[2] ፍላጻታትካ ወጊኤናኒ እየን እሞ፣ ኢድካ ኸቢዳትኒ ኣላ። [3-4] በደለይ ንርእሰይ ተዐዛዚርዎ፣ ከም ከቢድ
ጾር ኣዝዩ ይኸብደኒ ኣሎ እሞ፣ ብኹራኻ ንስጋይ ጥዕና የብሉን፣ ብሰሪ ሓጢኣተይ ከኣ ኣዕጽምተይ
ድሕንነት ስኢኑ ኣሎ።

[5] ብሰሪ ዕሽነተይ፣ ኣቕሳለይ ይብድብድን ይመጉልን ኣሎ። [6] ኣነ ጐበጥኩ እምብዛውን ሐጐብኩ፣ ምሉእ
መዓልቲ ብሓዘን እነብር ኣሎኹ። [7] ጐነይ ረስኒ መሊኡ እዩ እሞ፣ ስጋይሲ ጥዑይ የብሉን። [8] ኣነ
ሰንሰንኩ፣ እምብዛ ተቐጥቀጥኩ፣ ካብ ሓዘን ልበይ እተላዕለ እግዕር ኣሎኹ። [9] ጐይታየ፣ ኵሉ ሃረርታይ
ኣብ ቅድሜኻ እዩ፣ እህህታይ ኣይተሰወረካን። [10] ልበይ ትርግ ትርግ ይብል፣ ሓይለይ ይጠልመኒ ኣሎ፣
ብርሃን ኣዒንተይ ጠፊኡኒ እዩ። [11] ፈተውተይን ኣዕሩኸይን ካብ ስቓየይ ይርሕቁ፣ ኣዝማደይ ከኣ ኣብ
ርሑቕ ደው ይብሉ ኣለዉ። [12] ንነፍሰይ ዚደልዩ ኸኣ መጻወድያ የጻውዱለይ፣ ጕድኣተይ ዚደልዩ ድማ
ክፉእ ነገር ይዛረቡ፣ ምሉእ መዓልቲውን ጥልመት ይሐስቡለይ ኣለዉ። [13] ኣነ ግና ከም ጸማም ኰይነ

ኣይሰምዕን፣ ኣፉ ኸም ዘይከፍት ዓባስ ኰንኩ።

14 እወ፣ ከም ዘይሰምዕ፣ ብአፉውን ምላሽ ዜብሉ ሰብአይ ኰንኩ። 15 ዎ እግዚኣብሄር፣ ብኣኻ ተስፋ
እገብር ኣሎኹ እሞ፣ ጐይታይ፣ ኣምላኸየ፣ ንስኻ ኽትመልስ ኢኻ።

16 እግረይ እንተ ኣንደልሀጸ፣ ከይዕበዩለይ እሞ፣ ብአይ ከይሕጐሱ፣ በልኩ።

17 ኣነ ንምሕንካስ ቀሪበ እየ እሞ፣ ስቓየይ ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ እዩ።

18 በደለይ እናዘዝ ኣሎኹ እሞ፣ ብሓጢኣተይ እጒሂ ኣሎኹ። 19 ጸላእተይ ግና ህያዋንን ሓያላትን እዮም፣
ብዘይ ምኽንያት ዚጸልኡኒ ኸኣ ብዙሓት እዮም። 20 ንሰናይ እስዕቦ ስለ ዘሎኹ ድማ፣ ኣብ ክንዲ ሰናይ
እከይ እናፈደዩ ይቃወሙኒ ኣለዉ።

21 ጐይታይ፣ ኣይትሕደገኒ፣ ኣምላኸይ፣ ካባይ ኣይትርሐቕ።

22 ጐይታይ፣ ምድሓነይ፣ ንምርዳኤይ ቀልጥፍ።

## ምዕራፍ 39

1 ብመልሓሰይ ከይስሕት፣ ንመገድታተይ ክጥንቀቐለን፣ ረሲእ ኣብ ቅድመይ ከሎ፣ ንአፈይ ብልጓም
ክገትእ እየ፣ በልኩ። 2 ስቕ ብምባለይ ዓባስ ኰንኩ፣ ካብ ጽቡቕ እኳ ስቕ በልኩ፣ ቃንዛይ ከኣ ገደደ። 3
ልበይ ኣብ ውሽጠይ ረሰነ፣ ከስተንትን ከልኹ፣ ሓዊ ተቓጸለ፣ ብመልሓሰይ ከኣ ተዛረብኩ፣ 4 ዎ
እግዚኣብሄር፣ ከመይ ዝበልኩ ሓላፊ ምዃነይ ምእንቲ ኽፈልጥ፣ መወዳእታይን ልክዕ መዓልትታተይን
ክንደይ ምዃኑ ኣዘክረኒ። 5 እንሆ፣ ንመዓልትታተይ ከም ምናሕ ስድሪ ገበርካየን፣ ዕድመይ ኣብ
ቅድሜኻስ ከም ምናምን እዩ፣ ብሓቂ ኹሉ ሰብ ጸኒዑ እንተ ቔመ እኳ፣ ከንቱ ጥራይ እዩ። 6 ብሓቂ ሰብ
ከም ጽላሎት ይመላለስ፣ እወ ንኸንቱ እዩ ዚህወኽ፣ ይድልብ፣ ንመን ምዃኑውን ኣይፈልጥን። 7 ሕጂኸ
እንታይ እጽበ ኣሎኹ፤ ጎይታየ፣ ተስፋይ ብኣኻ እዩ። 8 ካብ ኩሉ ኣበሳይ ኣናግፈኒ፣ መላገጽ ዓያሱ
ኣይትግበረኒ። 9 ንስኻ ኢኻ እዚ ዝገበርካ እሞ፣ ስቕ እብል፣ ኣፈይ ኣይከፍትን። 10 ብመውቃዕቲ ኢድካ
እጠፍእ ኣሎኹ፣ ንመዓትካ ኻባይ ኣርሕቆ። 11 ብበደሉ እናገሰጽካ ንሰብ እንተ ቐጻዕካዮ፣ ንኽብረቱ ኸም
ብልዒ ጊርካ ተጥፍእ፣ ብሓቂ ኹሉ ሰብ ከንቱ እዩ። 12 ኣብ ቅድሜኻ ጋሻ፣ ከም ኵሎም ኣቦታተይ
ስደተኛ እየ እሞ፣ ዎ ጐይታይ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ እዝንኻ ናብ ኣውያተይ ምለስ፣ ብንብዓተይ ስቕ
ኣይትበል።

13 ካብዚ ኸይከድኩ፣ ህልውናይ ከይጠፍኤ ኽቐስንሲ፣ ሕደገኒ።

## ምዕራፍ 40

1 ንእግዚኣብሄር ተዐጊሰ ተጸቤኽዎ፣ ንሱውን ናባይ ደኒኑ ኣውያተይ ሰምዔ። 2 ካብ ጉድጓድ ጥፍኣት
ከኣ፣ ካብቲ ረግረግ ጸብሪ ኣውጽኣኒ፣ ኣእጋረይ ኣብ ከውሒ ኣቐሙ፣ ንስጉምተይ ኣጽንዖ። 3 ሓድሽ
መዝሙር ምስጋና ንኣምላኽና ኣብ ኣፈይ ኣንበረ። ብዙሓት እዚ ርእዮም ኪፈርሁ፣ ናብ
እግዚኣብሄርውን ኪውከሉ እዮም። 4 እቲ ንእግዚኣብሄር እምንቶኡ ዚገብር፣ ናብቶም ዕቡያትን ናብ

ሓሶት ዜግልሱን ዘየብል ሰብ ብጹእ እዩ። 5 ጐይታይ፣ ኣምላኸየ፣ ተኣምራትካን ንኣና ዝሐሰብካዮ
ሓሳባትካን ብዙሕ እዩ፣ ንኣኻ ዚመስል ከቶ የልቦን። ክነግረሉን ክዛረበሉን እንተ ደሌኹስ፣ ምቝጻሩ
ዘይከኣል ብዙሕ እዩ። 6 ንመስዋእትን መባእን ባህጉ የብልካን፣ ኣእዛነይ ከፈትካለይ፣ መስዋእቲ
ምሕራርን መስዋእቲ ሓጢኣትን ኣይትደልን ኢኻ። 7-8 ሽዑ፣ እኔኹ መጻእኩ፣ ኣብቲ ጥቕሉል መጽሓፍ
ስለይ ተጽሒፉ ኣሎ። ኣምላኸየ፣ ፍቓድካ ንምግባር ባህጊ ኣሎኒ፣ ሕግኻውን ኣብ ውሽጢ ልበይ እዩ፣
በልኩ። 9 ጽድቕኻ ኣብታ ዓባይ ማሕበር ኣበሰርኩ፣ እንሆ፣ ከናፍረይ ኣይዐጸኹን፣ ጐይታየ፣ ንስኻ
ትፈልጥ ኣሎኻ። 10 ንጽድቕኻ ኣብ ውሽጢ ልበይ ኣይሐባእክዎን፣ እሙን ምዃንካን ምድሓንካን ነገርኩ፣
ሳህልኻን ሓቅኻን ነታ ዓባይ ማሕበር ኣይሓባእኩን። 11 ጐይታየ፣ ንስኻ ምሕረትካ ኣይትኸልእኒ፣
ሳህልኻን ሓቅኻን ኣዘውቲረን ይሐልዋኒ። 12 ቍጽሪ ዜብሉ መከራ ኸቢቡኒ፣ ምርኣይ ክሳዕ ዝስእን፣
በደለይ ኣርኪቡኒ፣ ካብ ጸጕሪ ርእሰይ በዚሑ እዩ እሞ፣ ልበይ ጠሊሙኒ እኔኹ። 13 ዎ እግዚኣብሄር፣
ንምንጋፈይ ስመር፣ ጐይታየ፣ ንምርዳኤይ ቀልጥፍ። 14 ንነፍሰይ ኬጥፍእዋ ዚደልዩ ኹሎም ሐቢሮም
ይሕፈሩን ይነውሩን። እቶም ብመከራይ ዚሕጐሱ ንድሕሪት ይመለሱን ይሕፈሩን።

15 እቶም፣ እሰይ እሰይ፣ ዚብሉኒ ብሰሪ ነውሮም ይሰምብዱ። 16 ንኣኻ ዚደልዩ ኹሎም ይተሐጐሱ፣
ብኣኻውን ባህ ይበሎም። ምድሓንካ ዜፍቅሩ ዘበሉ፣ ከየብኰሩ፣ እግዚኣብሄር ዓብዩ እዩ፣ ይበሉ። 17
ኣነስ ሽጉርን መስኪንን እየ፣ እግዚኣብሄር ግና ይሐልየለይ ኣሎ። ረዳእየይን መናገፍየይን ንስኻ ኢኻ፣
ኣምላኸየ፣ ኣይትደንጒ።

## ምዕራፍ 41

1 ንድኻ ዚሐልየሉ ብጹእ እዩ፣ እግዚኣብሄር ብመዓልቲ መከራ የናግፎ። 2 እግዚኣብሄር ይሕልዎ
ብህይወትውን የንብሮ። ንሱ ኣብ ምድሪ ብጹእ ይኸውን። ናብ ፍቓድ ጸላእቱ ኣይተሕልፎን ኢኻ። 3
ኣብ መደቀሲ ድናሴኡ ኸሎ፣ እግዚኣብሄር ይድግፎ። ንስኻ ብሕማሙ ንብዘላ ዓራቱ ተንጽፈሉ። 4
ጐይታየ፣ በዲለካ እየ እሞ፣ ምሐረኒ፣ ንነፍሰይ ኣሕውያ፣ በልኩ። 5 ጸላእተይ፣ መኣዝ ኰን ኪመውት፣
መኣዝሲ ስሙ ኺጠፍእ እዩ፣ ኢሎም ብኣይ ክፉእ ይዛረቡ ኣለዉ። 6 ሓደ እንተ በጽሓኒ፣ ብልግሚ
ይዛረብ፣ ኣብ ልቡ ኽፍኣት ይእክብ፣ ምስ ወጸ ይዛረቦ። 7-8 ኵሎም ጸላእተይ ብኣይ ንሓድሕዶም
የሕሾኹሹ፣ ግብሪ እከይ ጠቢቕዎ ኣሎ፣ በጥ ኢሉ እዩ እሞ፣ ከቶ ኣይኪትንስእን እዩ፣ እናበሉ ብኣይ
ክፉእ ይምህዙ ኣለዉ። 9 እወ፣ እቲ ዝእመኖ፣ እንጌራይ ዝበልዔ ፈታውየይ እኳ ሸኾናኡ ኣልዐለለይ። 10
ንስኻ ግና፣ ጐይታየ፣ ምሐረኒ፣ ክፈድዮም ከኣ ኣተንስኣኒ። 11 ጸላእተይ እንተ ዘይተዐወተለይ፣ በዚ ንስኻ
ኸም ዝበህግካኒ እፈልጥ ኣሎኹ። 12 ንኣይሲ ብንጽህናይ ትድግፈኒ፣ ኣብ ቅድሚ ገጽካ ኸኣ ንዘለኣለም
ተንብረኒ ኣሎኻ። 13 እግዚኣብሄር፣ ኣምላኽ እስራኤል፣ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ይባረኽ። ኣሜን፣
ኣሜን።

## ምዕራፍ 42

1 እራብ ናብ ዓይኒ ማያት ከም እትናፍቕ፣ ከምኡ ኸኣ ነፍሰይ ናባኻ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ትናፍቕ ኣላ። 2
ነፍሰይ ንኣምላኽ፣ ነቲ ህያው ኣምላኽ፣ ትጸምእ ኣላ፣ መኣዝ ኰን ክመጽእ፣ ኣብ ቅድሚ ገጽ ኣምላኽሲ
ክቐውም እየ፧ 3 ኵሉ ጊዜ፣ ኣምላኽካ ኣበይ ኣሎ፧ ኪብሉኒ ኸለዉ፣ ለይትን መዓልትን ንብዓተይ

ተቐለብኩ። 4 ኣነ ምስ ብዙሓት፣ ምስቶም ብድምጺ እልልታን ምስጋናን በዓል ዜብዕሉ ህዝቢ ኽይደ፣
ናብ ቤት ኣምላኽ እመርሖም ከም ዝነበርኩ፣ እናዘከርኩ ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ፈሰሰት። 5 ነፍሰየ፣
ንምንታይ ትጕህዪ፧ ንምንታይሲ ኣብ ውሽጠይ ትህውኽኒ ኣሎኺ፧ ስለ ምድሓን ገጹ ገና ኽመስግኖ እየ
እሞ፣ ተስፋኺ ኣብ ኣምላኽ ግበሪ። 6 ዎ ኣምላኸይ፣ ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ትጕሂ ኣላ፣ ስለዚ ኸኣ ካብ
ምድሪ ዮርዳኖስ፣ ካብ ኣኽራን ሄርሞን፣ ካብ ዝባን ሚሳር እዝክረካ ኣሎኹ 7 ብደሃይ መንጫዕጫዕታኻ
መዓሙቕ ንመዓሙቕ ይጽውዖ፣ ሸምቦታትካን ማዕበላትካን ዘበለ ብልዕለይ ሓለፈ። 8 እግዚኣብሄር
ለውሃቱ ብመዓልቲ ይሰድድ፣ ብለይቲ ድማ መዝሙሩ ምሳይ ኣሎ፣ ንኣምላኽ ህይወተይውን እልምን። 9
ኣነ ንኣምላኽ፣ ከውሔይ፣ ንምንታይ ኢኻ ዝረሳዕካኒ፧ ንምንታይከ ብሰሪ ጥቕዓት ጸላኢ እናሓዘንኩ
ዝኸይድ፧ እብሎ ኣሎኹ። 10 ኲሉ መዓልቲ፣ ኣምላኽካ ኣበይ ኣሎ፧ እናበሉ ተጻረርተይ ኣዕጽምተይ ከም
ዝቕጥቀጥ ገይሮም ይጸርፉኒ። 11 ነፍሰየ፣ ንምንታይ ትጕህዪ፧ ንምንታይሲ ኣብ ውሽጠይ ትህውኽኒ
ኣሎኺ፧ ንምድሓን ገጻይን ኣምላኸይን ገና ኽመስግኖ እየ እሞ፣ ተስፋኺ ኣብ ኣምላኽ ግበሪ።

# ምዕራፍ 43

1 ዎ ኣምላኽ፣ በይነለይ፣ ምስቲ ምሕረት ዜብሉ ህዝቢ ተማጐተለይ፣ ካብ ሓሳውን ዓማጽን ሰብ
ኣድሕነኒ። 2 ኣምላኽ ሓይለይ ንስኻ ኢኻ እሞ፣ ስለምንታይ ደርቤኻኒ፧ ስለምንታይከ ብሰሪ ጥቕዓት
ጸላኢ እናሐዘንኩ እኸይድ ኣሎኹ፧ 3 ብርሃንካን ሓቅኻን ልኣኽ፣ ንሳተን ይምርሓኒ፣ ናብ ቅድስቲ
ኽረንካን ናብ ማሕደራትካን የብጽሓኒ። 4 ሽው ናብ መሰውኢ ኣምላኽ፣ ናብ ኣምላኽ ደስታይን
ታሕጓሳይን ክኣቱ እየ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ኣምላኸየ፣ ብበገና ኽመስግነካ እየ። 5 ነፍሰይ፣ ስለምንታይ ትጕህዪ፧
ስለምንታይሲ ኣብ ውሽጠይ ትህውኽኒ ኣሎኺ፧ ንምድሓን ገጻይን ኣምላኸይን ገና ኽመስግኖ እየ እሞ፣
ተስፋኺ ኣብ ኣምላኽ ግበሪ።

# ምዕራፍ 44

1 ኣምላኽ እቲ ቐደም ብዘመናቶም ዝገበርካዮ ግብርስ ኣቦታትና አዘንትዮምልና፣ በእዛንና ሰሚዕናዮ። 2-3
ብሂግካዮም ነበርካ እሞ፣ ብየማናይ ኢድካን ቅልጽምካን ብብርሃን ገጽካን እዮም እምበር፣ ብሰይፎምሲ
ነታ ሃገር ኣይወረስዋን፣ ብቕልጽሞምውን ኣይደሐኑን እሞ፣ ነህዛብ ብኢድካ ሰጕግካ ንኣታቶም ተኽልካ
ንህዝብታት ኣጥፊእካ፣ ንኣታቶም ኣግፋሕካ። 4 ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ ንጉሰይ ኢኻ፣ ምድሓን ያእቆብ ኣዝዝ።
5-6 ብቐስተይ ኣይኰንኩን ዝውከል፣ ሰይፈይውን ኣይኬድሕነንን እዩ እሞ፣ ንተጻረርትና ብኣኻ ኢና
እነውድቖም፣ ንተቓወምትናውን ብስምካ ኢና እንረግጾም። 7 ካብ ተጻረርትና ዘድሐንካና፣ ንጸላእትናውን
ዘሕፈርካዮምሲ ንስኻ ኢኻ። 8 ኲሉ መዓልቲ ብአምላኽ ንሕበን፣ ስምካውን ንዘለኣለም ነመስግን። 9
ሕጂ ግና ደርቢኻና ኣሕፊርካናውን፣ ምስ ሰራዊትና ድማ ኣይትወጽእን ኣሎኻ። 10 ካብ ተጻራሪ
ኣምለስካና፣ ጸላእትናውን ዘመቱና። 11 ከም ኣባጊዕ ክንብላዕ ኣሕሊፍካ ሀብካና፣ ኣብ ኣህዛብውን ፋሕ
ኣበልካና፣ 12 ንህዝብኻ ብኸምኡ ሸጥካ፣ ብዋጋኡ ኣይረባሕካን። 13 ንጐረባብትና መጻረፊ፣ ኣብ ዙርያና
ንዚነብሩ ኸኣ መባለቲኣምን መላገጺኦምን ገበርካና። 14 ኣብ ማእከል ኣህዛብ መመሰሊ፣ ኣብ ማእከል
ህዝብታት ርእሶም መነቕነቚ ገበርካና። 15-16 ሓሳረይ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ቅድመይ እዩ፣ ብሰሪ ድምጺ
እቲ ጸራፍን ሐማይን፣ ብሰሪ ጻላእን ፈዳይ ሕነን ሕፍረት ገጸይ ሸፊኑኒ ኣሎ። 17 እዚ ዅሉ በጽሓና፣

ግናኽ ኣይረሳዕናካን፣ ኪዳንካውን ኣይጠለምናን። 18-19 ኣብ ቦታ ገበላት ቀጥቂጥካና፣ ብጽላሎት ሞትውን
ኣጐልቢብካና ኽነስኻስ፣ ልብና ንድሕሪት ኣይተመልሰን፣ ስጕምትናውን ካብ መገድኻ ኣየግለሰን። 20
ስም ኣምላኽና ረሲዕና፣ ኣእዳውና ናብ ጓና ኣምላኽ ዘርጊሕና እንተ ንኸውንሲ፣ 21 ኣምላኽ ንምስጢራት
ልቢ ይፈልጥ እዩ እሞ፣ ነዚዶ ኣይምመርመሮን ነይሩ፧ 22 ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና፣ ከም
ኣባጊዕ ማሕረዲውን ተቘጸርና። 23 ጐይታየ፣ ተበራበር እባ፣ ንምንታይከ ትድቅስ፧ ኤረ ንቓሕ፣ ንሓዋሩ
ኣይትደርብየና። 24 ንምንታይከ ገጽካ እትኽውል፧ መከራናን ጸበባናን እትርስዕ፧ 25 ነፍስና ናብ ሓመድ
ደኒና፣ ስጋና ኣብ ምድሪ ጠቢቑ እዩ እሞ፣ 26 ንረዲኤትና ተንስእ፣ ምእንቲ ሳህልኻውን ኣድሕነና።

## ምዕራፍ 45

1 ካብ ልበይ ጽቡቕ ነገር ይግንፍል፣ ድርሳናተይ ንንጉስ እዩ፣ እብል፣ ልሳነይ ከም ብርዒ ቕልጡፍ ጸሓፊ
እያ። 2 ካብ ደቂ ሰብ ንስኻ ትጽብቕ፣ ውቃበ ኣብ ከናፍርካ ፈሰሰ፣ ስለዚ ኣምላኽ ንዘለኣለም ባረኸካ። 3
ኣታ ጅግና፣ ሰይፍኻ ኣብ ሕቘኻ ዕጠቕ፣ ክብርኻን ግርማኻን ልበስ። 4 ምእንቲ ሓቅን ገርህነትን ጽድቅን
ብግርማኻ ውጻእ፣ የማነይቲ ኢድካውን ዜፍርህ ነገር ክትምህረካ እያ። 5 ፍላጻታትካ በላሕቲ እየን፣ ኣብ
ልቢ ጸላእቲ ንጉስ ይኣትዋ። ህዝብታት ኣብ ትሕቴኻ ይወድቁ። 6 ዎ ኣምላኽ፣ ዝፋንካ ንዘለኣለመ ኣለም
እዩ፣ ዘንጊ መንግስትኻውን ዘንጊ ቕንዕና እያ። 7 ጽድቂ ትፈቱ፣ ረሲእነት ትጸልእ። ስለዚ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ ሓለፋ ብጾትካ ብዘይቲ ሓጐስ ቀብኣካ። 8 ኣልባስካ ኹሉ ከርበን ዓልወን ዝባድን ይጨኑ፣ ኣብ
ኣደራሻ ስኒ ሓርማዝውን በገናታት ባህ የብለካ ኣሎ። 9 ኣዋልድ ነገስታት ኣብ ማእከል እተን ክቡራት
ኣንስትኻ እየን፣ እታ ንግስቲ ብወርቂ ኦፊር ተሰሊማ፣ ኣብ የማንካ ትቐውም ኣላ። 10 ጓለየ፣ ስምዒ፣
ርአዪውን፣ እዝንኺ ኽኣ ኣድንኒ፣ ህዝብኽን ቤት ኣቦኽን ረስዒ። 11 ንጉስ ንውብነትኪ ይብህጎ፣ ንሱ
ጐይታኺ እዩ እሞ ስገድሉ። 12 ጓል ጢሮስን ናይ ህዝቢ ሃብታማትን፣ ገጸ በረኸት ሒዞም፣ ሞገስካ
ኺደልዩ እዮም። 13 ጓል ንጉስ ኣብ ውሽጢ ኹለንትናኣ ኽብርቲ እያ፣ ክዳውንታ ወርቀዘቦ እዩ። 14
ዝንጕርጕር ክዳን ተኸዲና ናብ ንጉስ ኬእትውዋ፣ ብድሕሪኣ ኣዳኖታታ ደናግል ናባኻ ኺወስድወን
እዮም። 15 ብሓጐስን እልልታን ተዐጂበን ኪመጻ፣ ናብ ኣዳራሽ ንጉስ ኪኣትዋ እየን። 16 ውሉድካ ኣብ
ክንዲ ኣቦታትካ ኪኾኑ፣ ኣብ ብዘላ ምድሪውን መሳፍንቲ ኽትገብሮም ኢኻ። 17 ካብ ወለዶ ንወለዶ
ንስምካ ኽዘክሮ እየ፣ ስለዚ ህዝብታት ንዘለኣለም ኬመስግኑኻ እዮም።

## ምዕራፍ 46

1 ኣምላኽ ንኣና መዕቈብን ሓይልን፣ ብጸበባ ፍጡን ረድኤትን እዩ። 2-3 ስለዚ ምድሪ እንተ ተገልበጠት፣
ኣኽራን ኣብ መዓሙቕ ባሕሪ እንተ ተናወጹ፣ ማያቱ እንተ ሀመመን እንተ ዐፈረን፣ ኣኽራን ብነድሮም
እንተ ኣንቀጥቀጡ፣ ንሕናስ ኣይንፈርህን ኢና። 4 ወሓይዙ ንኸተማ ኣምላኽ፣ ነታ ቕድስቲ ቦታ ማሕደር
እቲ ልዑል ዜሐጕስ ርባ ኣሎ። 5 ኣምላኽ ኣብ ማእከላ ኣሎ፣ ኣይክትናወጽን እያ፣ ኪወግሕ ከሎ፣ ኣምላኽ
ኪረድኣ እዩ። 6 ኣህዛብ ጫውጫው በሉ፣ መንግስትታት ተናወጹ፣ ድምጹ ኣስምዔ፣ ምድሪ መኸኸት። 7
ጐይታ ሰራዊት ምሳና እዩ። ኣምላኽ ያእቆብ እምባና እዩ። 8 ንዑ፣ ንግብርታት እግዚኣብሄር፣ ነቲ ኣብ
ምድሪ ዝገበሮ ጥፍኣት ጠምቱ፣ 9 ንውግእ ክሳዕ ወሰን ምድሪ መወዳእታ ይገብረሉ፣ ንቐስቲ ይሰብሮ፣
ንኹናት ይቖራስሞ፣ ንሰረገላታት ብሓዊ የንድዶ። 10 ህድእ በሉ እሞ ኣነ ኣምላኽ ምዃነይ ኣስተብህሉ፣

ኣብ ማእከል ኣህዛብ ልዕል ክብል፣ ኣብ ምድሪ ልዕል ክብል እየ። [11] ጐይታ ሰራዊት ምሳና እዩ፣ ኣምላኽ ያእቆብ እምባና እዩ።

## ምዕራፍ 47

[1] ኣቱም ኣህዛብ ኵሉኹም፣ ኣእዳውኩም ኣጣቕዑ፣ ንኣምላኽ ብድምጺ ሓጐስ እልል በሉሉ። [2] ልዑል እግዚኣብሄር ዜፍርህ እዩ እሞ፣ ኣብ ብዘላ ምድሪ ዓብዪ ንጉስ እዩ። [3] ንሱ ንህዝብታት ኣብ ትሕቴና፣ ነህዛብ ከኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋርና የግዝኦም።

[4] ንኽብሪ ያእቆብ፣ ፈታዊኡ፣ ርስትና ኪኾነልና ይሐርየልና። [5] ኣምላኽ ብእልልታ፣ እግዚኣብሄር ብደሃይ መለኸት ደየበ። [6] ምስጋና ኣምላኽ ዘምሩ፣ ዘምሩ። ምስጋና ንጉስና ዘምሩ፣ ዘምሩ። [7] ኣምላኽ ንጉስ ኵላ ምድሪ እዩ እሞ፣ መዝሙር ምስጋና ዘምሩሉ። [8] ኣምላኽ ኣብ ኣህዛብ ነጊሱ፣ ኣምላኽ ኣብታ ቕድስቲ ዝፋኑ ይቕመጥ። [9] መሳፍንቲ ኣህዛብሲ ህዝቢ ኣምላኽ ኣብርሃም ኪኾኑ ይእከቡ ኣለዉ። ዋልታታት ምድሪ ናይ ኣምላኽ እዩ እሞ፣ ንሱ ኣዝዩ ልዕል በለ።

## ምዕራፍ 48

[1] ኣብ ከተማ ኣምላኽና፣ ኣብታ ቕድስቲ ኸረኑ፣ እግዚኣብሄር ዓብይን ኣዝዩ ምስጉንን እዩ። [2] ከረን ጽዮን ኣብ ወገን ሰሜን፣ ከተማ እቲ ዓብዪ ንጉስ፣ ሓጐስ ኵላ ምድሪ፣ ብውብታ ልዕል ትብል።

[3] ኣምላኽ ኣብ ኣደራሻታ እምባ ምዃኑ ፍሉጥ እዩ።

[4] እንሆ፣ ነገስታት ተኣከቡ፣ ሐቢሮም ሐለፉ።

[5] ርእዮም ተደነቑ፣ ተሸቢሮም ሀደሙ።

[6] ኣብኡ፣ ከምቲ ጻዕሪ ናይ እትሐርስ ሰበይቲ፣ ምንቅጥቃጥ ሐዞም።

[7] ንስኻ ንመራኽብ ተርሲስ ብንፋስ ምብራቕ ትሰባብረን። [8] ከምቲ ዝሰማዕናዮ፣ ኣብ ከተማ ጐይታ ሰራዊት፣ ኣብታ ኸተማ ኣምላኽና ኸምኡ ርኤና፣ ኣምላኽ ንዘለኣለም ኬጽንዓ እዩ።

[9] ዎ ኣምላኽ፣ ኣብ ውሽጢ መቕደስካ ንሳህልኻ ሐሰብናዮ። [10] ዎ ኣምላኽ፣ ከምቲ ስምካ ከምኡ ምስጋናኻ ኽሳዕ ወሰን ምድሪ እዩ፣ የማነይቲ ኢድካ ጽድቂ መሊኣ ኣላ። [11] ብፍርድታትካ ኸረን ጽዮን ትሕጐስ፣ ኣዋልድ ይሁዳ እልል ይብላ። [12] ንጽዮን ዙርዋ፣ ብዙርያኣ ተመላለሱ፣ ግምብታታ ቍጸሩ። [13] ንዚመጽእ ወለዶ ኽትነግሩስ፣ ቀጽርታታ ኣስተብህሉ፣ ኣደራሻታ ኣስተውዕሉ። [14] እዚ ኣምላኽ እዚ ንዘለኣለም ኣለም ኣምላኽና እዩ እሞ፣ ንሱ ኽሳዕ ሞት ኪመርሐና እዩ።

## ምዕራፍ 49

[1-2] ኵሉኹም ኣህዛብ፣ እዚ ስምዑ፣ ኣቱም ኣብ ዓለም እትነብሩ ዅሉኹም፣ ሕሱራትን ክቡራትን፣ ሃብታማትን ድኻታትን፣ ሐቢርኩም ጽን በሉ። [3] ኣፈይ ጥበብ ይዛረብ፣ ሓሳብ ልበይ ከኣ ናይ

ምስትውዓል እዩ። 4 እዝነይ ናብ ምስላታት ኤድንን፣ ስዉር ፍልጠተይውን ብበገና እገልጽ ኣሎኹ። 5
እከይ እቶም ዘረግጹኒ ኪኸበኒ ኸሎ፣ ብመዓልቲ ጸገማ ንምንታይ እየ ዝፈርህ፧ 6 እቶም ኣብ ገንዘቦም
ዚውከሉ፣ ብብዝሒ ሃብቶም ከኣ ዚምክሑ ዘለዉስ፣ 7-8 ንሓዋሩ ኺነብር ጥፍኣትውን ከይርኢ፣ ሓደ እኳ
ንሓዉ ዚብጀዎ፣ ጋር ነፍሲ ንእምላኽ ዚህበሉ የልቦን፣ ጋር ነፍሶም ክቡር፣ ንዘለኣለም ከኣ ተሪፉ እዩ።
10 ጠቢባን ከም ዚሞቱ፣ ዓሻን ደንቈሮን ሐቢሮም ከም ዚጠፍኡ፣ ገንዘቦም ድማ ንኻልኦት ከም
ዚሐድጉሎምሲ ኺርኢ ደአ እዩ። 11 ኣባይቶም ንዘለኣለም፣ መሓድሮም ካብ ወለዶ ንወለዶ ኸም
ዚነብር፣ ውሽጣዊ ሓሳቦም እዩ። ንምድሮም በብስሞም ይሰምይዎ ኣለዉ። 12 ግናኸ ሰብ ነተን ዚጠፍኣ
እንስሳ እዩ ዚመስል፣ ከቢሩ እኳ እንተሎ ኣይነብርን እዩ። 13 እዛ መገዶምሲ ዕሽነቶም እያ፣ ድሕሪኦም
ዚመጹውን ንባህሎም ይሰምርዎ። 14 ከም ኣባጊዕ ኣብ ሲኦል ይነብሩ፣ ሞት ይጓስዮም። ንግሆ ቅኑዓት
ይገዝእዎም፣ ውቃቢኦም ኣብ ሲኦል ይጠፍእ፣ ማሕደርውን የብሎምን። 15 ኣምላኽ ግና ኪቕበለኒ እዩ
እሞ፣ ንሱ ንነፍሰይ ካብ ኢድ ሲኦል ኬናግፋ እዩ። 16 ሰብ እንተ ሀብተመ፣ ክብረት ቤቱ እንተ በዝሔ፣
ኣይትፍራህ። 17 ክብረቱ ኣስኣሰሩ ኣይወርድን እዩ እሞ፣ ምስ ዚመውት፣ ገለ እኳ ኣይማላእን። 18 ሸሕ እኳ
ብህይወቱ ነፍሱ እንተ ኣመስገነ፣ ንርእስኻ ሰናይ እንተ ገበርካላ፣ ሰባትውን እንተ ነኣዱኻ፣

19 ንስኻስ ናብቶም ከቶ ብርሃን ዘይርእዩ ዓሌት ኣቦታትካ ኽትከይድ ኢኻ።

20 ምስትውዓል ዜብሉ ሰብ ብኽብሩ እኳ ነተን ዚጠፍኣ እንስሳ እዩ ዚመስል።

# ምዕራፍ 50

1 እቲ ስልጡን ኣምላኽ፣ እግዚኣብሄር፣ ተዛረበ፣ ካብ ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ ምዕራባ ንምድሪ ጸውዓ።

2 ካብ ጽዮን፣ እታ ፍጻሜ መልክዕ፣ ኣምላኽ ደመቐ። 3 ኣምላኽና ይመጽእ ስቕ ድማ ኣይብልን፣ ኣብ
ቅድሚኡ ዚባላዕ ሓዊ ኣሎ፣ ህቦብላ ንፋስውን ይኸቦ። 4-5 ንሱ ንህዝቡ ምእንቲ ኺፈርድሲ፣ ነቶም
ብመስዋእቲ ገይሮም ምሳይ ኪዳን ዝአተዉ ቅዱሳነይ አክቡለይ፣ ኢሉ ንሰማያት ኣብ ላዕልን ንምድርን
ይጽውዕ ኣሎ። 6 ኣምላኽሲ ፈራዲ እዩ እሞ፣ ሰማያት ጽድቁ ይነግሩ። 7 ኣታ ህዝበይ፣ ኣነ ኽዛረብሲ
ስማዕ፣ ኣታ እስራኤል፣ ኣነ ኽምስክር እየ፣ ኣነ ኣምላኽሲ፣ ኣምላኽካ እየ። 8 ብዛዕባ መስዋእትታትካ
ኣይወቕሰካን፣ መስዋእትታት ምሕራርካ ኸኣ ኲሉ ጊዜ ኣብ ቅድመይ እዩ። 9-11 ኲሎም እንስሳ በረኻን
ኣብ ኣሻሕ ኣኽራን ዘለዋ ኸብትን ናተይ እየን፣ ንኹለን ኣዕዋፍ ኣኽራን እፈልጠን፣ ኣብ ምድሪ ዚዋሳወስ
ከኣ ምሳይ እዩ ዘሎ እሞ፣ ኣነ ኻብ ገዛኻ ዝራብዓት፣ ካብ ደምቤኻውን ዲቤላታት ኣይወስድን። 12
ምድርን ምልኣታን ናተይ እያ እሞ፣ እንተ ዝጠሚ እኳ ኣይምነገርኩኻን። 13 ኣነዶ ስጋ ዝራብዓት እበልዕ፧
ደም ዲቤላታትሲ እሰቲ እየ፧ 14 መስዋእቲ ምስጋና ንእምላኽ ሰውኣሉ፣ መብጽዓኻውን ንልዑል ሀቦ። 15
ብመዓልቲ ጸበባ ድማ ጸውዓኒ፣ ኣነ ኽናግፈካ እየ፣ ንስኻውን ከተኽብረኒ ኢኻ። 16-17 ንረሲእ ግና
ኣምላኽ ይብሎ፣ ኣታ ተግሳጸይ እትጸልእ፣ ቃላተይውን ንድሕሬኻ እትድርብስ፣ ከመይ ጌርካ ኢኻ
ስርዓታተይ እትነግር፧ ንኺዳነይውን ብአፍካ እተውስኦ፣ 18 ሰራቒ ምስ ርኤኻ፣ ምስኡ ሐበርካ፣
ክፍልኻውን ምስ ኣመንዝራታት ነበረ። 19 ኣፍካ ንኽፉእ ፈኖኻዮ፣ መልሓስካውን ጥበራ ትፍሕስ። 20
ተቐሚጥካ ንሓውካ ትሐምዮ፣ ንወዲ እኖኻውን ተነውሮ አሎኻ። 21 እዚ እናገበርካስ፣ ኣነ ስቕ
በልኩልካ፣ እህ፣ ከማኻ ዝኾንኩ መሲሉካ ኢኻ፣ ግናኸ ኣነ ኽግስጸካ፣ ንሓጢኣትካ ኣብ ቅድሚ
ኣዒንትኻ ከቕሞ እየ። 22 ኣቱም ንኣምላኽ እትርስዕዎ፣ ኣነ ኸይሰላልዓኩም እሞ፣ ዜናግፈኩም

ከይትስእኑስ፣ ነዚ ኣስተብህልዎ። 23 መስዋእቲ ምስጋና ዚስውኣለይ የኽብረኒ፣ ነቲ ብመገዱ ዚጥንቀቕ
ከኣ ምድሓን ኣምላኽ ከርእዮ እየ።

## ምዕራፍ 51

1 ዎ ኣምላኽ፣ ከም ሳህልኻ ምሐረኒ፣ ከምቲ ዓብዪ ርሕራሔኻ ኣበሳይ ደምስስ። 2 ካብ ኣበሳይ ኣጸቢቕካ
ሕጸበኒ፣ ካብ ሓጢኣተይውን ኣጽርየኒ። 3 ኣነ ኣበሳይ እፈልጥ እሎኹ እሞ፣ ሓጢኣተይ ኵሉ ጊዜ ኣብ
ቅድመይ እዩ። 4 ብዘረባኻ ጻድቕ፣ ብፍርድኻውን ንጹህ ኴንካ ኽትርከብሲ፣ ኣነ ንኣኻ ጥራይ በደልኩ፣
ኣብ ቅድሜኻ እከይ ገበርኩ። 5 እንሆ፣ ብኣበሳ ተወለድኩ፣ እኖይ ከኣ ብሓጢኣት ጠነሰትኒ። 6 እንሆ፣
ንሓቂ ኣብ ውሽጢ ኢኻ እትደልዮ፣ ኣብ ሕቡእውን ጥበብ ምሀረኒ። 7 ምእንቲ ኽጸርስ፣ ብስምዕዛ
ኣጽርየኒ፣ ካብ በረድ ክጽዕዱ፣ ሕጸበኒ። 8 እተን ዝቐጥቀጥካየን ኣዕጽምቲ ኺሕጐሳስ፣ ባህታን ሓጐስን
ኣስምዓኒ። 9 ገጽካ ኻብ ሓጢኣተይ ከውሎ፣ ንብዘሎ ኣበሳይውን ደምስሶ። 10 ዎ ኣምላኽ፣ ጽሩይ ልቢ
ፍጠረለይ፣ ጽኑዕ መንፈስ ከኣ ኣብ ውሽጠይ ሐድስ። 11 ካብ ገጽካ ኣይትደርብየኒ፣ ቅዱስ መንፈስካውን
ኣይተግድፈኒ። 12 ሓጐስ ምድሓንካ ምለሰለይ፣ ብፍቓደኛ መንፈስውን ደግፈኒ። 13 መገድኻ ንመፍረስቲ
ኽምህሮም እየ፣ ሓጥኣን ከኣ ናባኻ ኺምለሱ እዮም። 14 ዎ ኣምላኽ፣ ኣምላኽ ምድሓነይ፣ ካብ ዕዳ ደም
ኣናግፈኒ፣ ልሳነይውን ንጽድቕኻ እልል ክትብለሉ እያ።

15 ጐይታየ፣ ኣፈይ ምስጋናኻ ኺነግርሲ፣ ከናፍረይ ክፈት። 16 መስዋእቲ ባህ ኣየብለካን እዩ፣ እንተ
ዘይኰነስ መቕረብኩልካ ነይረ፣ ንመስዋእቲ ምሕራር ኣይትብህጎን ኢኻ እሞ፣ 17 መስዋእቲ ኣምላኽ
ስቡር መንፈስ እዩ። ዎ ኣምላኽ፣ ንስቡርን ቅጥቁጥን ልቢ ኣይትንዕቆን ኢኻ። 18 ንጽዮን ብጸጋኻ ሰናይ
ግበረላ፣ መካበብያታት የሩሳሌም ንደቕ። 19 ሽው ብመስዋእቲ ጽድቂ፣ ብዚሐርር መስዋእቲ፣ ብምሉእ
መስዋእቲ ባህ ኪብለካ እዩ፣ ሽው ኣብ መሰውኢኻ ኣራሑ ኬቕርቡልካ እዮም።

## ምዕራፍ 52

1 ኣታ ሓያል፣ ስለምንታይ ብእከይ እትምክሓሉ፤ ጸጋ ኣምላኽ ንሓዋሩ ይነብር።

2 ኣታ መታለሊ፣ መልሓስካ ኸም በሊሕ መላጸ ጥፍኣት ትምህዝ ኣላ።

3 ካብ ሰናይሲ እከይ፣ ካብ ዘረባ ጽድቂውን ሓሶት ትፈቱ ኣሎኻ።

4 ኣቲ ሓሳዊት መልሓስ፣ ቃላት ጥፍኣት ዘበለ ትፈትዊ ኣሎኺ። 5 ስለዚ ኣምላኽ ንሓዋሩ ኬጥፍኣኪ እዩ፣
ኪሕዝኪ ኻብ ድንኳንኪውን ኪምንጥለኪ፣ ካብ ምድሪ ህያዋን ኪምሕወኪ እዩ። 6-7 ጻድቃን ከኣ ነዚ
ርእዮም ይፈርሁ እሞ፣ እንሆ፣ እቲ ብብዝሒ ሃብቱ ተወኪሉስ፣ ብኽፍኣቱ ዝበርትዔ እምበር፣
ንኣምላኽሲ ሓይሉ ዘይገበሮ ሰብኣይ እዚ እዩ፣ እናበሉ ኺስሕቅዎ እዮም። 8 ኣነ ግና ኣብ ቤት ኣምላኽ
ከም ልምዕቲ ኣውሊዕ እየ፣ ኣብ ጸጋ ኣምላኽውን ንዘለኣለም ኣለም እውከል። 9 እዚ ስለ ዝገበርካ፣
ንሓዋሩ ኽመስግነካ፣ ስምካ ሰናይ እዩ እሞ፣ ኣብ ቅድሚ ቅዱሳንካ ኽጽበዮ እየ።

## ምዕራፍ 53

1 ዓሻ ብልቡ፣ ኣምላኽ የልቦን፣ ይብል። ተበላሸዉ፣ ግብሪ ርኽሰት ገበሩ፣ ሰናይ ዚገብር ሓደ እኳ
የልቦን። 2 ኣምላኽሲ፣ ሓደ ለባም ንኣምላኽ ዚደልዮ እንተሎ ኺርኢ፣ ኻብ ሰማያት ናብ ደቂ ሰብ
ኣንቈልቍሉ ይጥምት። 3 ኵሎም ዐልዮም፣ ብዘለዉ ተባለሽዮም፣ ሰናይ ዚገብር የልቦን፣ ሓደ እኳ
የልቦን። 4 እቶም ንህዝበይ ከም እንጌራ ዚበልዕዎ፣ ናብ ኣምላኽ ድማ ዘይምህለሉ ገበርቲ እከይሲ፣ ከቶ
ምስትውዓል የብሎምን እዮም፧ 5 ኣምላኽ ነዕጽምቲ እቶም ዝኸበቡኻ ፋሕ ኣቢልዎ እዩ እሞ፣ ኣብታ
መሰምበዲ ዘይነበራ ኣዝዮም ሰምበዱ፣ ኣምላኽ ደርብይዎም እዩ እሞ፣ ንስኻ ኣሕፈርካዮም። 6 ኣየ፣
ምድሓን እስራኤልሲ ኻብ ጽዮንያ እንተ ዚመጽእ። ኣምላኽ ነቶም ምሩኻት ህዝቡ ምስ ዜምልሶም፣
ያእቆብ ኪሕጐስ፣ እስራኤል ከኣ ባህ ኪብሎ እዩ።

## ምዕራፍ 54

1 ዎ ኣምላኽ፣ ብስምካ ኣድሕነኒ፣ ብስልጣንካውን በይነለይ። 2 ዎ ኣምላኽ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ ንቓላት
ኣፈይ ጽን በሎ። 3 ከመይሲ ጓኖት ተንሲኦምኒ፣ ዓመጽቲውን ንነፍሰይ ይደልይዋ ኣለዉ። ንኣምላኽ ኣብ
ቅድሚ ገጾም ኣይገበርዎን። 4 እንሆ፣ ኣምላኽ ረዳእየይ እዩ፣ ጐይታይሲ ኣብ ማእከል እቶም ንነፍሰይ
ዚድግፍዋ እዩ። 5 ንእከይ ናብ ጻላእተይ ኪመልሶ እዩ፣ ብሓቅኻ ኣጥፍኣዮም። 6 ፈትየ መስዋእቲ
ከቕርበልካ፣ ጐይታየ፣ ስምካ ሰናይ እዩ እሞ፣ ከመስግኖ እየ። 7 ንሱ ኻብ ኵሉ ጸበባ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ፣
ዓይነይ ንጸላእተይ ባህ ኢልዋ ረኣየቶም።

## ምዕራፍ 55

1 ዎ ኣምላኽ፣ ንጸሎተይ ጽን በል፣ ካብ ምህለላይውን ኣይትተሓባእ። 2-3 ኣድህበለይን ምለሰለይን፣
ግፋዒ የውርዱለይ፣ ብኹራ የባርሩኒ ኣለዉ እሞ፣ ብሰሪ ምጥቃዕ እቲ ረሲእ፣ ብሰሪ ድምጺ እቲ ጸላኢ፣
ብቕኒዝማይ ህድኣት ስኢነ፣ እህህ እብል ኣሎኹ። 4 ልበይ ኣብ ውሽጠይ ተጨነቐት፣ ስምባድ ሞትውን
ወደቐኒ። 5 ፍርሃትን ምንቅጥቃጥን መጸኒ፣ ረዓድውን ኣጐልበበኒ። 6 ኣየ፣ ከም ርግቢ ኣኽናፍ እንተ
ዚህልወንስ፣ ነፊረ ምዐረፍኩ ነይረ፣ በልኩ። 7 እንሆ፣ ኣርሒቐ ምሀደምኩ። ኣብ በረኻውን ምሐደርኩ።

8 ካብ ህቦብላን ሸምበባን ክሀድም፣ ኣብ መዕቈቢ ምቐልጠፍኩ። 9 ዓመጻን ባእስን ኣብታ ኸተማ እርኢ
ኣሎኹ እሞ፣ ጐይታየ፣ ኣጥፍኣዮም፣ መላሕሶም ፈላሊ። 10 ለይትን መዓልትን ኣብ መካበብያታት ይዞሩ፣
በደልን ክፍኣትን ኣብ ውሽጣ ኣሎ። 11 ሕሰም ኣብ ውሽጣ ኣሎ፣ ጥቕዓትን ጥልመትን ካብ ኣደባባያ
ኣይርሕቕን። 12 ዚጸርፈኒ ጸላእየይ ኣይኰነን፣ እንተ ዚኸውንሲ ምተዐገስኩ፣ ዚዕበየለይ እቲ ዚጸልኣኒ
ኣይኰነን፣ እንተ ዚኸውንሲ ምተሓባእኩ፣ 13 ግናኸ ማዕረይ፣ መሓዛይ ፈታውየይውን ዝነበርካ ሰብኣይ
ንስኻ ኢኻ ዝገበርካዮ። 14 ንሕና ብጥዑም ምኽሪ ሐቢርና ወዐልና፣ ኣብ ቤት ኣምላኽውን ምስ ኣኼባ
ንመላለስ ነበርና። 15 እከይ ኣብ ማሕደሮምን ኣብ ውሽጦምን ኣሎ እሞ፣ ሞት ብድንገት ይምጽኣዮም፣
ብህይወቶም ከለዉ ናብ ሲኦል ይውረዱ። 16 ኣነ ግና ናብ ኣምላኽ እምህለል ኣሎኹ፣ ጐይታውን
የድሕነኒ እዩ። 17 ምሸትን ብጊሓትን ቀትርን እቝዝም እህህውን እብል ኣሎኹ፣ ንሱ ኸኣ ድምጻይ
ይሰምዕ እዩ። 18 ዚቃወሙኒ ብዙሓት እዮም እሞ፣ ካብ ውግእ ንነፍሰይ ብሰላም ኣናግፋ። 19
ኣይልውጡን፣ ንኣምላኽ ኣይፈርህዎን እዮም እሞ፣ ካብ ጥንቲ ዚነብር ዘሎ ኣምላኽ ሰሚዑ
ኺመልሰሎም እዩ።

[20] ንሱ ነቶም ምስኡ ብሰላም ዘለዉ ኢዱ ዘርጊሑ ኺዳኑ ኣፍረሰ። [21] ኣፉ ኸም ጠስሚ ልዙብ እዩ፣ ልቡ
ግና ውግእ እዩ፣ ቃላቱ ኻብ ዘይቲ ይልእም፣ ግናኸ እተመሰተ ኣስያፍ እዩ። [22] ጾርካ ናብ እግዚኣብሄር
ደርብዮ፣ ንሱ ኺድግፈካ እዩ። ንጻድቕ ሰንከልከል ኪብል ከቶ ኣይሓድጎን። [23] ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ ናብ
ዓሚቝ ጕድጓድ ተጽድፎም፣ ደመኛታትን ጠበርትን ኣብ ፈረቓ ዕድሚኦም ኣይበጽሑን እዮም። ኣነ ግና
ኣባኻ እውከል ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 56

[1] ኵሉ መዓልቲ ሰልፈኛታት የጨንቑኒ፣ ኪውሕጡኒ ይደልዩ ኣለዉ እሞ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ምሐረኒ። [2]
ብትዕቢት ዚዋግኡኒ ብዙሓት እዮም እሞ፣ ኵላ መዓልቲ ተጻናተውተይ ኪውሕጡኒ ይደልዩ።

[3] በቲ ዝፈርሃሉ ጊዜ ኣባኻ እውከል። [4] ብኣምላኽ ንቓሉ ኤመስግኖ፣ ኣብ ኣምላኽ ተወኪለ ኣይፈርህን፣
ስጋኸ እንታይ ከይገብረኒ፧ [5] ኵሉ መዓልቲ ንቓላተይ ይካራኸርዎ፣ ብዘሎ ሓሳባቶም ንጕድኣተይ እዩ። [6]
ተኣኪቦም የድብዩለይ፣ ነፍሰይ ይደልዩ እዮም እሞ፣ ስጉምተይ ይሰልዩ ኣለዉ። [7] ብበደሎምዶ ኺድሕኑ
እዮም፧ ዎ ኣምላኽ፣ ብኹራኻ ነህዛብ ኣውድቆም። [8] ንስኻ ንምኹብላለይ ቈጸርካ፣ ንንብዓተይ ኣብ
ጭልፎኻ ኣከብካዮ፣ ኣብ መጽሓፍካዶ ኣይተጻሕፈን፧ [9] በታ ዘእውየላ መዓልቲ ጸላእተይ ንድሕሪት
ኪምለሱ እዮም። ኣምላኽ ምሳይ ከም ዘሎ፣ እዚ እፈልጥ ኣሎኹ። [10] ብኣምላኽ ንቓሉ ኤመስግኖ፣
ብእግዚኣብሄር ንቓሉ ኤመስግኖ ኣሎኹ። [11] ኣብ ኣምላኽ ተወኪለ ኣይፈርህን፣ ሰባትከ እንታይ
ከይገብሩኒ፧ [12-13] ዎ ኣምላኽ፣ መብጽዓኻ ኣብ ልዕለይ ኣሎ፣ ኣብ ብርሃን ህያዋን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ
ክመላለስሲ፣ ንነፍሰይ ካብ ሞት፣ ነእጋረይውን ካብ ውድቀት ኣድሒንካየን ኢኻ እሞ፣ መስዋእቲ
ምስጋና ክቕርበልካ እየ።

## ምዕራፍ 57

[1] ዎ ኣምላኽ፣ ምሐረኒ፣ ነፍሰይ ኣባኻ ተዕቝብ ኣላ እሞ፣ ምሐረኒ፣ እቲ መዓት ክሳዕ ዚሐልፍ፣ ኣብ
ጽላል ኣኽናፍካ ተጸጊዔ እኔኹ።

[2] ናብ ልዑል ኣምላኽ፣ ናብቲ ዚፍጽመለይ ኣምላኽ ኤእዊ ኣሎኹ። [3] ንሱ፣ እቲ ወሓጥየይ፣ ኪጸርፈኒ
ኸሎ፣ ካብ ሰማይ ልኢኹ ኺድሕነኒ እዩ፣ ጸጋኡን ሓቁን ኪልእኽ እዩ። [4] ነፍሰይ ኣብ ማእከል ኣናብስ
እያ፣ ኣብ ማእከል እቶም ሓዊ ዚተፍኡ፣ ኣብ ማእከል እቶም ኣስናኖም ኵናትን ፍላጻን፣ መላሕሶም ከኣ
ስሑል ሰይፊ ዝኾነ ሰባት እድቅስ ኣሎኹ። [5] ዎ ኣምላኽ፣ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ልዕል በል፣ ክብርኻ ኣብ
ልዕሊ ኹሉ ምድሪ ይኹን። [6] ንስጕምተይ መጻወድያ ኣጻውደለይ፣ ነፍሰይ ጐበጠት፣ ኣብ ቅድመይ
ጕድጓድ ኰዐቱ፣ ኣብኡውን ወደቑ። [7] ልበይ ኣንቂዱ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ልበይ ኣንቂዱ፣ ክዝምርን ከመስግንን፣
እየ። [8] ክብረየ፣ ንቕሒ፣ በገናን መሰንቆን ንቕሑ፣ ንወጋሕታ ኸንቅሓ እየ። [9] ጐይታየ፣ ኣብ ማእከል
ኣህዛብ ከመስግነካ፣ ኣብ ማእከል ህዝብታት ክዝምረልካ እየ። [10] ሳህልኻ ኽሳዕ ሰማያት ዓብዩ፣
ሓቅኻውን ክሳዕ ደበናታት እዩ እሞ፣ [11] ዎ ኣምላኽ፣ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ልዕል በል፣ ክብርኻ ኣብ ልዕሊ
ኹሉ ምድሪ ይኹን።

## ምዕራፍ 58

1 ኣቱም ደቂ ሰብ፣ ስቕ ብምባልኩምዶ ጽድቂ ትዛረቡ፧ ሓቂዶኸ ትፈርዱ ኢኹም፧ 2 ኣብ ልብኹምስ እባ
በደል ደአ ትብድሉ፣ ግፍዒ ኣእዳውኩም ኣብ ሃገር ትመዝኑ። 3 ረሲኣን ካብ ከርሲ ወላዲቶም ጀሚሮም
ኣግለሱ፣ ሓሰውቲ ኻብ ማሕጸን ወላዲቶም ጀሚሮም ተጋገዩ። 4-5 ሕንዚ ተመን ዚመስል ሕንዚ ኣለዎም፣
ከምቲ ድምጺ ኣስማተኛታት፣ ናይቲ ፈላጥ ጠንቋሊ እኳ ኸይሰምዕ ኢሉ እእዛኑ ዚዐብስ ጻማም ተመን
እዮም። 6 ዎ ኣምላኽ፣ ኣስናኖም ኣብ ኣፎም ሰባብሮ፣ ጐይታየ፣ ኰራርምቲ ሽደናት ኣናብስ መዝሕቖ። 7
ከም ዚኸዮ ማይ ይከዐዉ። ፍላጻታቱ እንተ ገተረን፣ ይጕደማ። 8 ከምቲ ኪኸይድ ከሎ ዚመክኽ ኣረነ፣
ከምቲ ጸሓይ ዘይረአየ ቝላዕ ሰበይቲ ይኹኑ። 9 ቈራርዕኩም ሓዊ ቖሽም ከይቀረቦ፣ ህቡብላ ንጥሉልን
ንንዱድን ይመንጥሎ። 10 ጻድቕ ንምፍዳይ ሕነ ርእዩ ኺሕጐስ፣ ኣእጋሩ ብደም ረሲእ ኪሕጽብ እዩ። 11
ሰባት ከኣ፣ ብሓቂ ንጻድቕሲ ፍረ ኣለዎ፣ ብሓቂ ኣብ ምድሪ ዚፈርድ ኣምላኽ ኣሎ፣ ኪብሉ እዮም።

## ምዕራፍ 59

1 ኣምላኸየ፣ ካብ ጸላእተይ ኣናግፈኒ፣ ካብቶም ዚትንስኡኒ ኣብ እምባ ኣቕምጠኒ። 2 ካብ ገበርቲ እከይ
ኣናግፈኒ፣ ካብ ደመኛታትውን ኣድሕነኒ። 3 እነዉ፣ ንነፍሰይ ይጸናተውዋ ኣለዉ እሞ፣ ጐይታየ፣
ብኣበሳይን ሓጢኣተይን ኣይኰኑን ሓያላት ኪቃወሙኒ ሓቢሮም ዘለዉ። 4 ከይበደልኩስ ጐይዮም
ይዳለዉ፣ ክትቅበለኒ ንቓሕ እሞ ርኤ። 5 ጐይታይ፣ ኣምላኽ ሰራዊት፣ ኣምላኽ እስራኤል፣ ንቓሕ እሞ
ንዅሎም ኣህዛብ መዓት ኣውርደሎም፣ ካብቶም ጠለምቲ ገበርቲ እከይ ንሓደ እኳ ኣይትምሐር። 6
ምሸት እናተመልሱ ኸም ኣኽላባት ይነብሑ፣ ኣብ ከተማውን ይዞሩ። 7 መንከ ዚሰምዕ ኣሎ፧ እናበሉ፣
እንሆ፣ ኣፎም ይግንፍል፣ ኣብ ከናፍሮም ኣስያፍ ኣሎ። 8 ግናኸ ጐይታየ፣ ንስኻ ኽትስሕቆም፣ ንዅሎም
ኣህዛብ ከተባጭዎም ኢኻ። 9 እምባይ ኣምላኽ እዩ እሞ፣ ኣታ ሓይለይ፣ ኣባኻ ኣዕቍብ እኔኹ። 10
ኣምላኸይ ብሳህሉ ይቕበለኒ፣ ኣምላኽ ነቶም ጸላእተይ ብሓጐስ የርእየኒ። 11 ህዝበይ ከይርስዑስ
ኣይትቕተሎም። ኣታ ጐይታና፣ ዋልታና፣ ብሓይልኻ ኣኼብልሎም እሞ ኣውድቆም። 12 ቃል ከናፍሮም
ሓጢኣት ኣፎም እዩ፣ ስለቲ ዚዛረብዎ መርገምን ሓሶትን ብትዕቢቶም ይተሐንኰሉ። 13 ብዅራኻ
ኣጥፍኣዮም፣ ኣምላኽ ካብ ያእቆብ ጀሚሩ ኽሳዕ ወሰናት ምድሪ ገዛኢ ምዃኑ ኺፈልጡስ፣ ከም
ዘይርከቡ ጌርካ ኣጥፍኣዮም። 14 ምሸት እናተመልሱ ኸም ኣኽላባት ይነብሑ፣ ኣብ ከተማውን ይዞሩ። 15
መብልዕ ደልዮም ይዛውሩ፣ ከይጸገቡ ኽኣ ይሐድሩ ኣለዉ። 16 ኣነ ግና ንሓይልኻ እዝምር፣ ንስኻ እምባ፣
ብመዓልቲ ጸበባውን መዕቈቢ ዃንካ ኢኻ እሞ፣ ንሳህልኻ ኣንጊሄ እልል እብል ኣሎኹ። 17 ኣምላኸሲ
እምባይ፣ ኣምላኽ ምሕረተይ እዩ እሞ፣ ኣታ ሓይለይ፣ ንኣኻ ምስጋና እዝምር ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 60

1 ዎ ኣምላኽ፣ ደርቢኻና፣ ፋሕ ኣበልካና፣ ኰሪኻ። ምለሰና። 2 ንምድሪ ኣንቀጥቀጥካያ፣ ተርተርካያ፣
ትናወጽ ኣላ እሞ፣ ጭዳዳ ጸግን። 3 ንህዝብኻ ጭንቀት ኣርኤኻዮ፣ ሰንከልከል ዜብል ወይኒ ኣስቴኻና። 4
ስለ ሓቂ ምእንቲ ኺለዐል፣ ነቶም ዚፈርሁኻ ሰንደቕ ዕላማ ሀብካዮም። 5 ፈተውትኻ ምእንቲ ኺናገፉ።
ብየማነይትኻ ኣድሕን እሞ ስምዓና። 6 ኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ተዛረበ፣ ኣነ ኽዕወት፣ ንሴኬም ከመቕሎ፣
ንለሰ ሱኮትውን ብመስፈሪ ኽሰፍሮ እየ። 7 ጊልኣድ ናተይ እዩ፣ ምናሴ ኸኣ ናተይ እዩ። ኤፍሬም መጸግዕ

ርእሰይ፣ ይሁዳውን ዘንጊ ግዝኣተይ እዩ። 8 ሞኣብ ገበራ ምሕጸበይ እዩ፣ ኣብ ኤዶም ሳእነይ እድርቢ። ዎ
ፍልስጥኤም፣ እልል በልለይ። 9 ናብታ ዕርድቲ ኸተማ መን ይወስደኒ፧ ናብ ኤዶምሲ መን ኰን
ይመርሓኒ፧ 10 ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻዶ ኣይኰንካን ዝደርበኻና፧ ንስኻ ዎ ኣምላኽ፣ ምስ ሰራዊትናኽ
ኣይትወጽእን ዲኻ፧ 11 ረዲኤት ሰብ ከንቱ እዩ እሞ፣ ካብቲ ተጻራሪ ርድኣና። 12 ብኣምላኽ ንሕይል፣
ንሱውን ንተጻረርትና ኺረግጾም እዩ።

# ምዕራፍ 61

1 ዎ ኣምላኽ፣ ኣውያተይ ስማዕ፣ ናብ ጸሎተይ ኣቕልብ። 2-3 ንስኻ መዕቈብየይ፣ ካብ ገጽ ጸላኢ ጽኑዕ
ግምቢ ኢኻ እሞ፣ ልበይ እንተ ተሐለለ፣ ካብ ወሰን ምድሪ ኣባኻ ኽእዊ እየ። ናብቲ ኻባይ ልዕል ዝበለ
ኸውሒ ምርሓኒ። 4-5 ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ መብጽዓይ ሰሚዕካ፣ ስምካ ንዚፈርሁ ርስቲ ትህቦም ኣሎኻ
እሞ፣ ኣብ ድንኳንካ ንሓዋሩ ኽነብር እየ፣ ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ ኤዕቈብ ኣሎኹ። 6 ዕድመ ንጉስ
ተንውሕ፣ ዓመታቱ ኻብ ወለዶ ንወለዶ ይነብር። 7 ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሓዋሩ ይነብር፣ ምሕረትን
እምነትን ኪሕልዋአ ኣዳሉ። 8 ንስምካ ንሓዋሩ ኽዝምረሉ፣ ከምዚ ገይረ ነንመዓልቲ መብጽዓይ ክፈዲ
እየ።

# ምዕራፍ 62

1 ነፍሰይ ኣብ ኣምላኽ ጥራይ ሃዲኣ ትጽበ፣ ምድሓነይ ካብኡ ይመጽእ ኣሎ። 2 ከውሒይን ምድሓነይን
እምባይን ንሱ ጥራይ እዩ፣ ኣዝየ ኣይናወጽን። 3 ከም ዝቕነነ ግድጊዳን፣ ንምውዳቕ ዝተቐረበ መንደቕን፣
ኵላኹም ሐቢርኩም ምእንቲ ኽተወድቕዎስ፣ ክሳዕ መኣዝ ኢኹም ንሓደ ሰብኣይ ጥራይ እትጥሕሩ፧ 4
ካብ ልዕልናኡ ኼጽድፍዎ ጥራይ ይማኸሩ፣ ብሓሶት ባህ ይብሎ፣ ብአፎም ይምርቑ፣ ብውሽጦም ግና
ይረግሙ ኣለዉ። 5 ትጽቢተይ ካብኡ እዩ እሞ፣ ነፍሰየ፣ ብኣምላኽ ጥራይ ሃዲእኪ ተጸበዪ። 6 ከውሒይን
ምድሓነይን እምባይን ንሱ ጥራይ እዩ፣ ኣነ ኣይክናወጽን እየ። 7 ምድሓነይን ክብረይን ኣብ ኣምላኽ እዩ፣
ጽኑዕ ከውሒይን መዕቈብየይን ኣብ ኣምላኽ እዩ። 8 ኣቱም ህዝቢ፣ ኵሉ ጊዜ ብእኡ ተወከሉ፣ ልብኹም
ኣብ ቅድሚኡ ኣፍስሱ፣ መዕቈቢና ኣምላኽ እዩ። 9 ውሉድ ኣዳም ምናምን ጥራይ እዮም፣ ውሉድ
ሰብውን ሓሶት ጥራይ እዮም፣ ኣብ ሚዛን ልዕል ይብሉ፣ ኵሎም ብሓባር ካብ ምናምን ይፈኹሱ። 10
ኣብ ግፍዒ ኣይትወከሉ፣ ብዘመተ ኸኣ ኸንቱ ተስፋ ኣይትግበሩ፣ ሃብቲ እንተ በዝሔ፣ ልብኹም
ኣይተውድቑሉ። 11 ስልጣን ናይ ኣምላኽ ምዃኑ፣ ኣምላኽ ሓንሳእ ተዛረበ፣ ክልተ ሳዕ ሰማዕክዎ። 12
ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ትፈድዮ ኢኻ እሞ፣ ጐይታየ፣ ጸጋውን ናትካ እዩ።

# ምዕራፍ 63

1 ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ ኢኻ ኣምላኸይ፣ ኣንጊሄ እደልየካ ኣሎኹ፣ ነፍሰይ ንኣኻ ትጸምእ ኣላ፣ ስጋይ፣ ማይ
ኣብ ዜብሉ ደረቕን ጽሙእን ምድሪ ኼይኑ፣ ይናፍቐካ ኣሎ። 2 ከምኡውን ስልጣንካን ክብርኻን ምእንቲ
ኽርኢ፣ ናብ መቕደስካ ኤማዕዱ ኣሎኹ። 3 ለውሃትካ ኻብ ህይወት ይበልጽ እዩ እሞ፣ ከናፍረይ
ኪውድሳኻ እየን። 4 ብህይወተይ ክሳዕ ዘሎኹ ኽባርኸካ፣ ብስምካ ነእዳወይ ከልዕለን እየ። 5-7 ረዲኤተይ

ንስኻ ኢኻ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣኽናፍካ እሕጐስ ኣሎኹ እሞ፣ ኣብ ምድቃሰይ ከዝክረካ፣ ብለይቲ እናነቓሕኩ ክሓስበካ ከለኹ፣ ነፍሰይ ከም ብስብሕን ኣንጕዕን ትጸግብ፣ ኣፈይውን ብኸናፍር እልልታ ኬመስግነካ እዩ። [8] ነፍሰይ ኣብ ድሕሬኻ ትጠብቕ፣ የማነይቲ ኢድካውን ትድግፈኒ ኣላ። [9] እቶም ንህይወተይ ኬጥፍእዋ ዚደልዩ ግና ናብ መዓሙቝ ምድሪ ኺወርዱ እዮም።

[10] ንስልጣን ሰይፊ ኺውሀቡ፣ ግደ ወኻሩ ኪኾኑ እዮም። [11] ንጉስ ግና ብኣምላኽ ኪሕጐስ፣ ኣፍ ሓሰውቲ ኺዕበስ እዩ እሞ፣ ነፍሲ ወከፍ ብእኡ ዚምሕል ዘበለ ኺሕበን እዩ።

## ምዕራፍ 64

[1] ዎ ኣምላኸ፣ ከምህለል ከሎኹ፣ ድምጻይ ስማዕ፣ ንህይወተይ ካብ ፍርሃት ጸላኢ ሓልዋ። [2] ካብ ሕቡእ ምኽሪ ሕሱማት፣ ካብ ህውከት ገበርቲ እከይ ሰውረኒ። [3-4] ካብቶም ኣብ ሕቡእ ቦታ ንንጹህ ኪወግኡስ፣ መላሕሶም ከም ሰይፊ ዚስሕሉ፣ ፍላጻታቶም፣ መሪር ቃላት፣ ዜዝግቡ ሰውረኒ። ብድንገት ይወግኡ ኣለዉ፣ ኣይፈርሁን ድማ። [5] ኣብ እኩይ ሃቐና ይጸንዑ፣ መፈንጠራ ኬጻውዱስ ይመኽሩ፣ መን ክይርእየና፣ ይብሉ ኣለዉ። [6] እከይ ሐሰቡ፣ ኣዝዮም መርመሩ፣ ነቲ እተመርመረ ምኽሪ ኸኣ ፈጸሙ። ውሽጢ ነፍሲ ወከፍን ልቡን ዓሚቝ እዩ።

[7] ኣምላኽ ይወግኦም፣ ድንገት ብፍላጻ ይቘስሉ። [8] ይወድቁ፣ መላሕሶም ዝበሎ ናብኦም ይምለስ፣ ዚርእዮም ዘበለ ርእሱ ኺንቕንቕ እዩ። [9] ኵሎም ሰባት ከኣ ኪፈርሁ፣ ንግብሪ ኣምላኽ ድማ ኬዘንትዉ፣ ንዕዮኡውን ኬስተብህሉ እዮም። [10] ጻድቕ ብእግዚኣብሄር ኪሕጐስ፣ ኣብኡ ኸኣ ኪውከል፣ ቅኑዓት ልቢ ዘበሉውን ኪሕበኑ እዮም።

## ምዕራፍ 65

[1] ዎ ኣምላኸ፣ ኣብ ጽዮን ብህድኣት የመስግኑኻ፣ መብጽዓውን ንኣኻ ኺፍጸም እዩ።

[2] ኣታ ጸሎት እትሰምዕ፣ ኵሉ ስጋ ናባኻ ኺመጽእ እዩ። [3] ኣበሳ በርቲዑኒ፣ ንስኻ ንምግሃስና ይቕረ ኽትብል ኢኻ። [4] ኣብ ቦታኻ ኺሐድር ዝሐሬኻዮን ዘቐረብካዮን ሰብ ብጹእ እዩ። ብበረኸት ቤትካ፣ ብቕዱስ መቕደስካ ኽንጸግብ ኢና። [5-7] ኣታ ኣምላኽ ምድሓንና፣ ንዅሉ ወሰናት ምድርን ንርሑቕ ባሕርታትን መዕቈቢ ዝኾንካ፣ ስልጣን ተዐጢቕካ፣ ብሓይልኻ ነኸራን ዘጽናዕካ፣ ህማም ባሕርታት፣ ህማም ማዕበላቱ፣ ወኻዕታ ኣህዛብ እተህድእ፣ ብዜፍርህ ነገር ብጽድቂ ኽትመልሰልና ኢኻ። [8] ኣብ ወሰን ምድሪ ዚነብሩ ኸኣ ብትእምርትኻ ይፈርሁ፣ ንምብራቕን ምዕራብን እልል ተብለን። [9] ንምድሪ ትበጽሓን ዕልቕልቕ ተብላን፣ ኣዚኻ ተሀብትማ፣ ርባ ኣምላኽ ማይ መሊኡ እዩ። ንምድሪ ኽምዚ ጌርካ ምስ ኣዳሎኻያ፣ እኽሊ ተዳልወሎም። [10] ንነግሕታታ ተስትዮ፣ ንድንኵላታ ትምድምዶ፣ ብዝናም ተለምልማ፣ ንብቝላ ትባርኾ። [11] ንዓመት ብሳህልኻ ትኽልላ፣ ኣሰርካ ስብሒ የንጠብጥብ። [12] ኣብ ሰውሒ በረኻ የንጠብጥብ፣ ኰረቢትውን ብታሕጓስ ይዕጠቓ። [13] ኣሳውሕ ብመጓሴታት ይኽደን፣ ለሴታትውን እኽሊ ይጒልበብ፣ እልል ይብሉን ይዝምሩን ኣለዉ።

## ምዕራፍ 66

[1] ኵሉኹም ሃገራት፣ ንኣምላኽ እልል በሉሉ፣

[2] ንኽብሪ ስሙ ዘምሩ፣ ንውዳሴኡ ኽብሪ ሀቡ። [3] ንኣምላኽ ከኣ፣ ግብርታትካ ኽንደይ ዜፍርህ እዩ፣
ጸላእትኻ ሳላ ዕቤት ስልጣንካ ኣቃባጢሮም ይግዝኡኻ፣ በልዎ። [4] ኵላ ምድሪ ኽትሰግደልካ
ኽትዝምረልካውን እያ፣ ንስምካ ኽትዝምር እያ። [5] ንዑ፣ ኣምላኽ ዝገበሮ ኽኣ ርአዩ፣ ግብርታቱ ንደቂ
ሰብ ዜፍርህ እዩ። [6] ንባሕሪ ንቕጽ ምድሪ ገይሩ ለወጦ፣ ንወሓዚ በእጋሮም ሰገርዎ፣ ሽዑ ብእኡ
ተሐጐስና። [7] ብስልጣኑ ንዘለኣለም ይገዝእ፣ ኣዒንቱ ናብ ኣህዛብ ይምልከታ። ዓለወኛታት ርእሶም
ኣየልዕሉ። [8-9] ኣቱም ኣህዛብ፣ ነቲ ንነፍስና ብህይወት ዘንበረ፣ ኣእጋርና ኼንደልህጻውን ዘይፈቐደ
ኣምላኽና ባርኽዎ፣ ድምጺ ውዳሴኡ ኣስምዑ። [10] ዎ ኣምላኽ፣ ተዐዚብካና ኢኻ እሞ፣ ከም ዚኽላዕ
ብሩር ኰላዕካና። [11] ናብ መርበብ ኣእቶኻና፣ ኣብ ሕቘና ኽቢድ ጾር ኣጾርካና። [12] ብልዕሊ ርእስና ሰባት
ኣሳገርካ፣ ብሓውን ብማይን ሐለፍና፣ ንስኻ ግና ናብ ራህዋ ኣውጻእካና። [13-14] መስዋእቲ ምሕራር ሒዘ
ናብ ቤትካ ኽኣቱ፣ እቲ ኽናፍረይ እተዛረቦ፣ ጸቢቡኒ ኽሎኹ ኣፈይ ዝበሎ መብጽዓታተይ ንኣኻ
ኽፍጽሞ እየ። [15] ካብ ስቡሓት ኣባጊዕ ምስ ዕጣን ደዓውል ገይረ፣ መስዋእቲ ምሕራር ከቕርበልካ እየ።
ኣብዑርን ዲቤላታትን ክስውኣልካ እየ። [16] ኣቱም ንኣምላኽ እትፈርሁ ኹሉኹም፣ ንዑ፣ ንነፍሰይ
ዝገበረላ ኽዘንትወልኩምሲ፣ ስምዑ። [17] ብአፈይ ናብኡ ኣእዌኹ፣ ምስጋናውን ኣብ ትሕቲ መልሐሰይ
ነበረ። [18] ኣብ ልበይ እኩይ ሀቂነ እንተ ዝኸውን፣ እግዚኣብሄር ኣይምሰምዓንን ነይሩ። [19] ግናኸ ኣምላኽ
ብሓቂ ሰሚዑኒ፣ ንድምጺ ጸሎተይ ኣቕሊቡሉ እዩ።

[20] እቲ ንጸሎተይ ዘይነዐቐ፣ ጸጋኡውን ዘየርሐቐለይ ኣምላኽሲ ይባረኽ።

## ምዕራፍ 67

[1] ኣምላኽ ይምሓረና፣ ይባርኸና፣ ገጹ የብርሃልና። [2] መገድኻ ኣብ ምድሪ፣ ኣብ ኵሎም ኣህዛብውን
ምድሓንካ ኺፍለጥሲ፣ ገጽካ ኣብርሃልና። [3] ዎ ኣምላኽ፣ ኣህዛብ የመስግኑኻ፣ ኵሎም ኣህዛብ
የመስግኑኻ። [4] ንህዝብታት ብቕንዕና ኽትፈርዶም፣ ነህዛብውን ኣብ ምድሪ ኽትመርሖም ኢኻ እሞ፣
ህዝብታት ይተሐጐሱን እልል ይበሉን። [5] ዎ ኣምላኽ፣ ኣህዛብ የመስግኑኻ፣ ኵሎም ኣህዛብ የመስግኑኻ፣ [6]
ምድሪ ፍሬኣ ሂባ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኺባርኸና እዩ። [7] ኣምላኽ ይባርኸና፣ ብዘሎ ወሰናት ምድሪ
ኽኣ ይፍርሃዮ።

## ምዕራፍ 68

[1] ኣምላኽ ይተንስእ፣ ጸላእቱ ፋሕ ይበሉ፣ እቶም ዚጸልእዎ ኻብ ገጹ ይህደሙ። [2] ትኪ ኽም ዚብተን፣
ከምኡ ትብትኖም፣ ስምዒ ኣብ ቅድሚ ሓዊ ኽም ዚመክኽ፣ ከምኡውን ረሲኣን ካብ ቅድሚ ኣምላኽ
ይጠፍኡ። [3] ጻድቃን ግና ይሕጐሱ፣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ደስ ይብሎም፣ ባህ ኢልዎም ድማ እልል
ይብሉ። [4] ንኣምላኽ ቃንዩሉ፣ ንስሙ ኣመስግኑ፣ ነቲ ብበረኻ ዚሐልፍ መገዲ ጽረጉሉ፣ ስሙ
እግዚኣብሄር እዩ። ኣብ ቅድሚኡ ደስ በሉ። [5] ኣምላኽ ኣብ ቅድስቲ ማሕደሩ ኾይኑ፣ ኣቦ ዘኽታማትን
ጠበቓ መበለታትን እዩ። [6] ኣምላኽ ነቲ በይኑ ዝኾነ ናብ ስድራ የእትዎ፣ ንእሱራት ናብ ራህዋ
የውጽኦም፣ ተጻረርቲ ግና ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ይነብሩ። [7] ዎ ኣምላኽ፣ ቀቅድሚ ህዝብኻ ኽትወጽእ

ከሎኻ፣ ብበረኻ ኽትሓልፍ ከሎኻ 8 ምድሪ ኣንቀጥቀጠት፣ ሰማያት ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ
ኣንጠብጠበ፣ ሲና እኳ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኣንቀጥቀጠት። 9 ዎ ኣምላኽ፣ ዝናም
ውህበትካ ኣዝነምካ፣ ነታ ዝሓመቐት ርስትኻ ኣደልደልካያ። 10 ህያዋንካ ኣብኡ ሐደሩ፣ ዎ ኣምላኽ፣
ብለውሃትካ ንመሳኺን ኣዳሎኻሎም። 11 እግዚኣብሄር ቃሉ ይህብ፣ እተን ሓጐስ ዜበስራ ዓብዪ ጭፍራ
እየን። 12 ናይ ሰራዊት ነገስታት ይህድሙ፣ ይህድሙ፣ ኣብ ገዛ ዝወዐለትውን ምርኮ ትማቕል። 13 ኣብ
ማእከል መጓሰ እንተ ሐደርኩም፣ ከም ኣኽናፍ ርግቢ ብብሩር፣ ክንቲታውን ብዜንጸባርቕ ወርቂ
እተለበጠ ትኾኑ። 14 እቲ ኹሉ ዚኽእል ንነገስታት ምስ በተኖም፣ ኣብ ሰልሞን በረድ ዘነመ። 15 ከረን
ባሳን ናይ ኣምላኽ ከረን እዩ፣ ከረን ባሳን ኣርእስቱ ዝብዙሕ ከረን እዩ። 16 ኣቱም ብዙሕ ዘርእስትኩም
ኣኽራን፣ ነቲ ኣምላኽ ንማሕደሩ ኪኸዎ እተመነዮ ኽረን ስለምንታይ ኢኹም ቀኒእኩም እትጥምትዎ፧
እወ፣ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ኣብኡ ኺነብር እዩ። 17 ሰረገላታት ኣምላኽ ክልተ እልፊ፣ ኣሽሓት ጊዜ
ኣሽሓት እዩ። እግዚኣብሄር ኣብ ሲና፣ ኣብ መቕደሱ፣ ኣብ ማእከሎም እዩ። 18 ናብ ላዕሊ ደየብካ፣ ምርኮ
ማረኽካ፣ ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኪነብሩስ፣ ካብ ሰብ፣ ካብቶም ተጻረርቲ እኳ ውህበት ተቐበልካ።
19 እግዚኣብሄር ይባረኽ፣ ነንመዓልቲ ጾርና ይጾውር ኣሎ፣ ንሱ ኣምላኽ ምድሓንና እዩ። 20 ኣምላኽሲ
ንኣና ኣምላኽ ምንጋፍ እዩ፣ ካብ ሞት ምውጻእ ድማ ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ። 21 ኣምላኽ ግና
ርእሲ ጸላእቱ፣ ኤረ ነቲ ብበደሉ ዚመላለስ ጐታን፣ መንበስበስታኡ ኺጭፍልቕ እዩ። 22-23 እግዚኣብሄር፣
ኣእጋርካ ኣብ ደም ኪረግጽ፣ መልሓስ ኣኽላባትካ ኸኣ ካብ ጸላኢ ግዲኡ ኺረክብሲ፣ ካብ ባሳን
ክመልሶም፣ ካብ መዓሙቕ ባሕሪ ኽመልሶም እየ፣ በለ። 24 ዎ ኣምላኽ፣ ኡደትካ፣ ናይ ኣምላኸይ፣ ናይ
ንጉሰይ ኡደት ናብ መቕደስ ረአዩ። 25 ቅድም ዘመርቲ፣ ደሓር ቃንዩቲ በገና ሰዐቡ፣ ከበሮ ዚወቕዓ ደናግል
ኣብ ማእከል ነበራ። 26 ኣቱም ካብ ዓይኒ ማይ እስራኤል ዝኾንኩም፣ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ
ማሕበራት ኣመስግንዎ። 27 ኣብኡ ብንያም፣ እቲ ምንኣስ ኩሎም፣ ገዛኢኦም፣ መሳንፍቲ ይሁዳን
ጭፍራኦምን፣ መሳፍንቲ ዛብሎን፣ መሳፍንቲ ንፍታሌም ኣለዉ። 28 ኣምላኽካ ንሓይልኻ ኣዘዘ፣ ዎ
ኣምላኽ፣ ነቲ ዝገበርካልና ኣጽንዓዮ። 29 ስለ ቤት መቕደስካ ኣብ የሩሳሌም ነገስታት ውህበት
ኬምጽኡልካ እዮም። 30 ብሩሮም ጾይሮም ምእንቲ ኺመጹኻ፣ ንኣራዊት ሰልሰላ፣ ንኣኼባ ኣብዑር ምስ
ምራኹት ኣህዛብ ገስጾም። ነቶም ብውግእ ዚሕጐሱ ኣህዛብ ፋሕ ኣብሎም። 31 መሳፍንቲ ኻብ ግብጺ
ኺመጹ እዮም፣ ኢትዮጵያ ቐልጢፋ ኣእዳዋ ናብ ኣምላኽ ክትዝርግሕ እያ። 32-33 ኣቱም መንግስትታት
ምድሪ፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ናይ ጥንቲ ሰማየ ሰማያት ዚኸይድ ኣምላኽ ዘምሩ፣ ንእግዚኣብሄር ዘምሩሉ፣
እንሆ፣ ንሱ ንድምጹ፣ ነቲ ብርቱዕ ድምጹ፣ የስምዕ ኣሎ። 34 ንኣምላኽ ምልኪ ሀቡ፣ ግርማኡ ኣብ ልዕሊ
እስራኤል፣ ምልኩ ኣብ ደበናታት እዩ። 35 ዎ ኣምላኽ፣ ካብ መቕደስካ እተፍርህ ኢኻ። ንህዝቡ ሓይልን
ስልጣንን ዚህብ ኣምላኽ እስራኤል እዩ። ኣምላኽ ይባረኽ።

## ምዕራፍ 69

1 ማያት ክሳዕ ነፍሰይ በጺሑ እዩ እሞ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ኣድሕነኒ። 2 ናብቲ መርገጺ ዜብሉ ዓሚቝ ሰልሚ
ሰጢመ፣ ኣብ ጥልቂ ማያት ኣትየ፣ ማዕበላት ከኣ የጥሕለኒ ኣሎ። 3 ብምእዋየይ ደኺመ፣ ጐረሮይ ነቒጹ፣
ኣዒንተይ ንኣምላኸይ ብምጽባይ ፈዚዘን። 4 ብኸንቱ ዚጸልኡኒ ኻብ ጸጕሪ ርእሰይ ይበዝሑ፣ ብዘይ
ምኽንያት ኬጥፍኡኒ ዚደልዩ ጸላእተይ ሓያላት እዮም፣ ኤረ ዘይከተርክዎ ኽመልስ እኳ ግዲ ኾነኒ። 5
ዎ ኣምላኽ፣ ንስኻ ዕሽነተይ ትፈልጥ ኢኻ፣ በደለይውን ካባኻ ኣይተሐብኤን። 6-7 ኣታ እግዚኣብሄር

ጐይታ ሰራዊት፣ ስሌኻ ጸርፊ እጸውር ኣሎኹ። ነውሪ ንገጸይ ኣጐልቢብዎ እዩ እሞ፣ እቶም ዚጽበዩኻ
ብኣይ ኣይሕፈሩ፣ ኣታ ኣምላኽ እስራኤል፣ እቶም ዚደልዩኻ ብኣኻ ኣይነውሩ። 8-9 ቅንኣት ቤትካ
በሊዑኒ፣ ጸርፊ እቶም ዚጸርፉኻውን ኣባይ ወዲቑ እዩ እሞ፣ ነሕዋተይ ጓና፣ ንውሉድ ኣደይውን ጋሻ
ኾንኩ።

10 እናበኸኹ ንነፍሰይ ብጾም ምስ ኣሕሳእክዋ፣ እዚ መጽረፊ ኾነኒ።

11 ከዳን ሓዘን ምስ ለበስኩ፣ መመሰሊ ኾንክዎም። 12 ኣብ ደገ ዚቕመጡ ብዛዕባይ ይዛረረቡ፣ ሰካራት
ብኣይ ይጭፍሩ። 13 ኣታ እግዚኣብሄር፣ ብቕብልቲ ጊዜ ግና ጸሎተይ ናባኻ እዩ፣ ዎ ኣምላኸ፣ ብብዝሒ
ምሕረትካ፣ ብሓቂ ምድሓንካ ምለሰለይ። 14 ከይሰጥምሲ ኻብ ሰልሚ ኣውጽኣኒ፣ ካብ ጸላእተይን ካብ
ጥልቂ ማያትን ኣናግፈኒ። 15 ማዕበላት ማይ ኣየጥሕለኒ፣ መዓሙቑ ድማ ኣይውሐጠኒ፣ ጉድጓድውን
ኣብ ልዕለይ ኣፉ ኣይትዕጾ። 16 ጐይታየ፣ ሳህልኻ ሰናይ እዩ እሞ፣ ምለሰለይ፣ ከም ዕቤት ምሕረትካ
ተመለሰኒ። 17 ጸቢቡኒ እዩ እሞ፣ ንባርያኻ ገጽካ ኣይትኸውለሉ፣ ቀልጢፍካ ምለሰለይ። 18 ከትብጀዋስ
ናብ ነፍሰይ ቅረብ፣ ምእንቲ ጸላእተይ ኢልካ ኣናግፈኒ። 19 ንስኻ ጸርፈይን ነውረይን ሕፍረተይን ትፈልጦ
ኢኻ፣ ኲሎም ተጻረርተይ ኣብ ቅድሜኻ ኣለዉ። 20 ንልበይ ጸርፊ ቖጥቂጥዎ ደኺምኩ፣ ዚድንግጸለይ
ተጸቤኹ፣ ሓደ እኳ ኣይነበረን፣ ዜጸናንዑኒ ደልየውን፣ ሰኣንኩ። 21 ኣብ መብልዔይ ሓሞት ገበሩ።
ንጽምኤይውን መጺጽ ኣስተዩኒ። 22 መእደም ኣብ ቅድሚኦም መፈንጠራ ይኹኖም፣ ደሓን ኢና ኺብሉ
ኸለዉ፣ መጻወድያ ይኹኖም። 23 ኣዒንቶም ከይርእያ ይጸልምታ፣ ንሓቛቑኦምውን ኲሉ ጊዜ
ኣንቀጥቅጦ።

24 መዓትካ ኣፍስሰሎም፣ ረስኒ ቑጥዓኻውን የርክቦም።

25 ማሕደሪኦም ይዕኖ፣ ኣብ ድንኳናቶም ዚነብር ሓደ እኳ ኣይረኸብ። 26 ነቲ ዝወቃዕካዮ ይሰጕዎ፣
ናይቶም ዘቚሰልካዮም ቃንዛ የዘንትውዎ ኣለዉ እሞ፣ 27 ኣብ ርእሲ ዓገቦም ዓገብ ወስኾም፣ ናብ
ጽድቅኻውን ኣይእተዉ። 28 ካብ መጽሓፍ ህይወት ይደምሰሱ፣ ምስ ጻድቃን ድማ ኣይጸሓፉ። 29 ኣነ ግና
መስኪንን ምግዱርን እየ፣ ዎ ኣምላኸ፣ ምድሓንካ ልዕል የብለኒ። 30 ንስም ኣምላኸ ብመዝሙር
ከመስግኖ፣ ብምምሳው ከኣ ልዕል ከብሎ እየ። 31 እዚ ንእግዚኣብሄር ካብ ዝራብዕ፣ ካብ ቀርንን ጽፍርን
ዘለዎ ተፈንቲ ባህ ኬብሎ እዩ። 32-33 እግዚኣብሄር ንድኻታት ይሰምዖም፣ ንእሱራትውን ኣይንዕቖን እዩ
እሞ፣ ትሑታት ነዚ ርእዮም ይሕጐሱ፣ ኣቱም ንኣምላኸ እትደልይዎ፣ ልብኹም ብህይወት ይንበር። 34
ሰማይን ምድርን ባሕርን፣ ኣብኡ ዚዋሳወስ ኲሉን ንእኡ የመስግንዎ። 35 ኣምላኽ ንጽዮን ኬድሕና፣
ንኸተማታት ይሁዳውን ኪሀንጸን እዩ እሞ፣ ኣብኤን ኪነብሩን ኪርስተዩን፣ 36 ዘርኢ ባሮቱ ኺወርስዋ፣
ስሙ ዚፈትዉ ኸኣ ኣብኣ ኺነብሩ እዮም።

## ምዕራፍ 70

1 ዎ ኣምላኸ፣ ንምንጋፈይ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንምርዳኤይ ቀልጥፍ። 2 እቶም ንነፍሰይ ዚደልይዋ
ይሕፈሩን ይሕነኹን፣ እቶም ሕሰም ዚትምነዩለይ ንድሕሪት ይመለሱን ይነውሩን።

3 ኣሰይ፣ ኣሰይ፣ ዚብሉኒ ነዊሮም ንድሕሪት ይመለሱ። 4 እቶም ዚደልዩኻ ኹሎም ብኣኻ ባህ ይበሎምን
ይተሓጐሱን፣ እቶም ምድሓንካ ዚፈትዉ ኸኣ ኲሉ ጊዜ፣ ኣምላኽ ልዕል ይበል፣ ይበሉ። 5 ኣነ ግና

መስኪንን ድኻን እየ፣ ዎ ኣምላኸ፣ ናባይ ፍጠን፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ረዳእየይን መናገፍየይን ንስኻ ኢኻ፣
ኣይትደንጒ።

## ምዕራፍ 71

[1] ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣ ከቶ ኣይተሕፍረኒ። [2] ብጽድቕኻ ኣናግፈንን ባልሃንን፣ እዝንኻ
ናባይ ኣድንን እሞ ኣድሕነኒ። [3] ኵሉ ጊዜ ዝሀድመሉ ኸውሒ መሕደሪ ኹነኒ፣ ከውሔይን እምባይን ንስኻ
ኢኻ እሞ፣ ንምድሓነይ ኣዘዝካ። [4-5] ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸ፣ ተስፋይን ካብ ንእስነተይ ጀሚርካ
እምንቶይን ንስኻ ኢኻ እሞ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ ካብ ኢድ ረሲእ፣ ካብ ኢድ ዓመጸኛን ገፋዕን ኣናግፈኒ። [6]
ካብ ከርሲ ወላዲተይ ጀሚረ ብኣኻ ተደገፍኩ፣ ካብ ማሕጸን ወላዲተይ ዝፈላለኻኒ ንስኻ ኢኻ፣
ምስጋናይ ኵሉ ጊዜ ንኣኻ እዩ። [7] ንብዙሓት መስተንከሪ ኾንክዎም፣ ንስኻ ግና ብርቱዕ መዕቈብየይ
ኢኻ። [8] ኣፈይ ብምስጋናኻ፣ ኵሉ መዓልቲ ብኽብርኻ ምልኣዮ። [9-10] ጸላእተይ ብዛዕባይ ይዛረቡ፣
ንነፍሰይ ዚጸናተውዋ ኸኣ ሐቢሮም እናተማኸሩ፣ ኣምላኸ ሐዲግዎ፣ መናገፊ የብሉን፣ ስለዚ ጕይኹም
ሐዝዎ፣ ይብሉ ኣለዉ እሞ፣ ብጊዜ እርግና ኣይትደርብየኒ፣ ሓይለይ ኪውዳእ ከሎ፣ ኣይትሕደገኒ። [12] ዎ
ኣምላኸ፣ ካባይ ኣይትርሐቕ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ ንምርዳኤይ ፍጠን። [13] እቶም ንነፍሰይ ዚጻረርዋ ይሕፈሩን
ይጥፍኡን፣ እቶም ጒድኣተይ ዚደልዩውን ነውርን ሓሳርን ይከደኑ። [14] ኣነ ግና ኵሉ ጊዜ ተስፋ ኽገብር፣
ንዅሉ ምስጋናኻውን ክውስኸሉ እየ። [15] ቍጽሩ ኣይፈልጦን እየ እሞ፣ ኣፈይ ጸድቕኻን ምድሓንካን ኵሉ
መዓልቲ ኼዘንቶ እዩ። [16] ናይ እግዚኣብሄር ኣምላኸ ስልጡን ግብርታት ክነግር፣ ጸድቕኻ፣ ናትካ ጥራይ
ክዝክር እየ። [17] ዎ ኣምላኸ፣ ካብ ንእስነተይ ጀሚርካ መሀርካኒ፣ ክሳዕ ሕጂውን ተኣምራትካ ኣወጅኩ። [18]
ነዚ ወለዶዚ ቕልጽምካ፣ ነቲ ዚመጽእውን ስልጣንካ ኽሳዕ ዘበስሮምሲ፣ ዎ ኣምላኸ፣ ብእርግናይ ምስ
ሽየብኩ እኳ ኣይትሕደገኒ። [19] ዎ ኣምላኸ፣ ጽድቕኻ ኽሳዕ ላዕሊ ይበጽሕ፣ ኣታ፣ ዓበይቲ ግብርታት
ዝገበርካ ኣምላኸ፣ መን ይመዓራረየካ፧ [20] ኣታ፣ ብዙሕ ጭንቀትን መከራን ዘርኤኻና፣ መሊስካ ህይወት
ክትህበኒ፣ ከም ብሓድሽ ድማ ካብ መዓሙቝ ምድሪ ኽተውጽኣኒ ኢኻ። [21] ንዕቤተይ ክትውስኸሉ፣
ብምጽንናዕ ከኣ ኽትከበኒ ኢኻ። [22] ኣምላኸየ፣ ኣነውን ንኣኻ፣ ንሓቅኻ ብበገና ኽመስግን፣ ኣታ ናይ
እስራኤል ቅዱስ፣ ብመሰንቆ ኽዝምረልካ እየ። [23] ከመስግነካ ኸሎኹ፣ ከናፍረይን እታ ዘድሐንካያ
ነፍሰይን እልል ኪብላ እየን። [24] እቶም ጒድኣተይ ዚደልዩ ሐፊሮምን ነዊሮምን እዮም እሞ፣ መልሓሰይ
ምሉእ መዓልቲ ብዛዕባ ጽድቕኻ ኽትዛረብ እያ።

## ምዕራፍ 72

[1] ዎ ኣምላኸ፣ ንንጉስ ፍርድኻ፣ ንወዲ ንጉስውን ጽድቕኻ ሀቦም። [2] ንሱ ኸኣ ንህዝብኻ ብጽድቂ፣
ንጥቑዓትካውን ብቅንዕና ኺፈርዶም እዩ።

[3] ኣኽራንን ኵረቢትንሲ ብጽድቂ ንህዝቢ ሰላም ኬምጽኡሉ እዮም። [4] ነቶም ናይ ህዝቢ መሳኺን
ይብይነሎም፣ ንደቂ ድኻታት ኬድሕኖም እዩ፣ ንጠቓዕቲውን ኪድዕምኾም እዩ።

[5] ጸሓይን ወርሕን ክሳዕ ዘለዋ፣ ንውሉድ ወለዶ ኺፈርሁኻ እዮም። [6] ከም ዝናም ናብ እተዐጽደ ሸኻ፣
ከምቲ ንምድሪ ዜጥልል ጥሚቕ ኰይኑ ይወርድ። [7] ብዘመኑ እቲ ጻድቕ ኪዕምብብ፣ ወርሒ ኽሳዕ

እትጠፍእ ከኣ ብዝሒ ሰላም ኪህሉ እዩ። 8 ካብ ባሕሪ ኽሳዕ ባሕሪ፣ ካብ ርባ ኽሳዕ ወሰን ምድሪ
ኺመልኽ እዩ። 9 ኣብ በረኻ ዚነብሩ ኢድ ኪነስኡሉ፣ ጸላእቱውን ሓመድ ኪልሕሱ እዮም። 10 ነገስታት
ተርሴስን ደሴታትን ገጸ በረኸት ኬቕርቡሉ፣ ነገስታት ሸባን ሳባን ድማ ውህበታት ኬምጽኡሉ እዮም። 11
ኵሎም ነገስታት ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ኺፍገሙ፣ ብዘለዉ ኣህዛብ ኬገልግልዎ እዮም። 12 ነቲ ዚጠርዕ
ድኻን ነቲ ረዳኢ ዜብሉ መስኪንን ኬናግፎ እዩ። 13 ንመሳኺንን ንድኻታትን ኪድንግጸሎም፣ ንነፍሲ
ድኻታት ከኣ ኬድሕን እዩ። 14 ንነፍሶም ካብ ምጥቃዕን ግፍዕን ኪብጀዋ ደሞም ከኣ ኣብ ኣዒንቱ ኽቡር
ኪኸውን እዩ እሞ፣ 15 ብህይወት ኪነብር፣ ካብ ወርቂ ሸባ ድማ ኪህብዎ፣ ኵሉ ጊዜውን ናብኡ ኺጽልዩ፣
ምሉእ መዓልቲ ኺባርኽዎ እዮም። 16 ብዝሒ እኽሊ ኣብ ሃገር፣ ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪኸውን፣ ፍሬኡ
ኸም ኣእዋም ሊባኖስ ዘዘው ኪብል፣ ሰብ ከተማውን ከም ሳዕሪ ምድሪ ኺዕምብቡ እዮም። 17 ስሙ
ንዘለኣለም ኪነብር፣ ስሙ ጸሓይ ክሳዕ ዘላ ኺዝውተር እዩ፣ ብእኡውን ሰብ ኪባረኹ፣ ኵሎም ኣህዛብ
ብጹእ ኪብልዎ እዮም። 18 እቲ በይኑ ተኣምራት ዚገብር እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ እቲ ናይ እስራኤል
ኣምላኽ ይባረኽ። 19 ክቡር ስሙ ንዘለኣለም ይባረኽ፣ ብዘሎ ምድሪውን ብኽብሩ ይምላእ። ኣሜን፣
ኣሜን፣

20 ጸሎት ዳዊት ወዲ እሰይ ተፈጸመ።

# ምዕራፍ 73

1 ብሓቂ ኣምላኽ ንእስራኤል፣ ነቶም ንጹህ ልቢ ዘለዎም ሰናይ እዩ። 2 ኣነ ግና ኣእጋረይ ሰንከልከል
ንምባል፣ ስጕምተይ ንምንድልሃጽ ቀሪበ ነበርኩ።

3 ራህዋ ረሲኣን ምስ ርኤኹ፣ ንደፋራት ቀናእኩሎም፣ 4 ክሳዕ ሞቶም ስቓይ የብሎምን፣ ስጋኦምውን
ስቡሕ እዩ እሞ፣ 5 ጸገማ መወትቲ የብሎምን፣ ከም ሰብውን ኣይተሰቀዩን። 6 ስለዚ ትዕቢት ከም ስልማት
ክሳድ ይኸቦም፣ ግፍዒ ኸም ክዳን ይጕልብቦም። 7 ኣዒንቶም ካብ ስብሒ ይወጻ፣ ሓሳባት ልቦም
ይግንፍል። 8 የላግጹ፣ ብኽፍኣቶም ግፍዒ ይዛረቡ፣ ካብ ላዕሊ ይዛረቡ ኣለዉ። 9 ኣፎም ናብ ሰማይ
የልዕሉ፣ መልሓሶም ከኣ ኣብ ምድሪ ይመላለስ።

10 ስለዚ ህዝቡ ናብዚ ይምለስ፣ ካብኦምውን ብዙሕ ማይ ይሰቲ።

11 ኣምላኽ ከመይ ገይሩ ይፈልጥ፧ ልዑልከ ፍልጠትዶ ኣለዎ እዩ፧ ይብሉ ኣለዉ። 12 እንሆ፣ ረሲኣን
እዚኣቶም እዮም፣ ኵሉ ጊዜ ህዱኣም፣ ሃብቲ ይውስኹ ኣለዉ። 13-14 ምሉእ መዓልቲ ተሰቅየ፣ ንግሆ
ንግሆውን ተቐጺዔ እየ እሞ፣ እምበአርሲ ንልበይ ብኸንቱ ኣንጺሄ፣ ኣእዳወይውን ብንጽህና ሐጺበ። 15
ከምኦም ክዛረብ እየ፣ ኢለ እንተ ዝኸውንሲ፣ ንወለዶ ውሉድካ ምጠለምኩ ነይረ። 16-17 ነዚ ኽስተውዕል
ምስ ሐሰብኩ፣ ናብ መቕደስ ኣምላኽ ክሳዕ ዝኣቱ፣ መወዳእታኦምውን ክሳዕ ዘስተብህልሲ፣ ኣዝዩ
ይሸግረኒ ነበረ። 18 ብርግጽ ኣብ መንደልሃጺ ስፍራ ደው ተብሎም፣ ናብ ጥፍኣት ተውድቖም። 19
ከመይከ ብድንገት ባደሙ፣ ጸነቱ፣ ብስምባድውን ተወድኡ። 20 ከም ሕልሚ ድሕሪ ምንቃሕ፣ ንስኻ፣ ዎ
እግዚኣብሄር፣ ምስ ነቓሕካ፣ ንምስሎም ከምኡ ኽትንዕቖ ኢኻ።

21 ልበይ ምስ መረረ፣ ኣብ ኰላሊተይ ምስ ተወጋእኩ፣ 22 ዐሾኹ፣ ደንቈሮውን ነበርኩ፣ ኣብ ቅድሜኻ
ኸም እንስሳ ኾንኩ። 23 ግናኸ ኣነ ኹሉ ጊዜ ምሳኻ እየ፣ ንስኻ ብየማነይቲ ኢደይ ሒዝካኒ፣ 24

ብምኽርኻ ኽትመርሓኒ፣ ድሓርውን ናብ ክብሪ ኽትቅበለኒ ኢኻ። 25 ኣብ ሰማይ ብጀካኻ መን ኣሎኒ፧
ንኣኻ ካብ ረኽብኩስ፣ ኣብ ምድሪ ዝደልዮ የብለይን። 26 ስጋይን ልበይን እንተ ማህመነ እኳ፣ ኣምላኽ
ንዘለኣለም ከውሒ ልበይን ክፍለይን እዩ። 27 እንሆ፣ ካባኻ ዚርሕቑ ኺጠፍኡ እዮም እሞ፣ ካባኻ
ብምንዛርና ዚዐልዉ ዘበሉ ተጽንቶም። 28 ንኣይ ግና ናብ ኣምላኽ ምቕራብ ይሔሸኒ፣ ኵሉ ተግባርካ
ምእንቲ ኽዘንቱስ፣ እሙንቶይ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ገበርኩ።

## ምዕራፍ 74

1 ዎ ኣምላኽ፣ ስለምንታይ ንሓዋሩ ደርቤኻና፧ ንምንታይከ ነድርኻ ኣብ ኣባጊዕ መጓሴኻ ይተክኽ፧ 2 ነታ
ኻብ ጥንቲ ዘጥሬኻያ፣ ዓሌት ርስትኻ ኽትከውን እተበጀኻያ ማሕበር፣ ነታ ዝሐደርካያ ኸረን ጽዮን
ዘክር። 3 ኣእጋርካ ናብታ ናይ ዘለኣለም ዑና ኣልዕል፣ እቲ ጸላኢ ኣብ መቕደስ ንዅሉ ኣበላሽይዎ ኣሎ። 4
ተጻረርትኻ ኣብ ማእከል ማሕበርካ ጨዲሮም፣ ንምልክቶም ምልክት ገይሮም ኣቘምዎ።

5 ከምቶም ማሕጸ ኣብ ብርቱዕ ዱር ዜልዕሉ ሰብ ይመስሉ።

6 ንብዘሎ ቅርጺ ህንጻታቱ ብማሕጸን ብመዶሻን ገይሮም ኣድቂቖምዎ። 7 ንመቕደስካ ብሓዊ
ኣንዲዶምዋ፣ ንማሕደር ስምካ ኽሳዕ መሰረታ ኣርኪሶምዋ እዮም። 8 ብልቦም፣ ሐቢርና ነጥፍኣዮም፣
በሉ፣ ንዅለን ኣብታ ሃገር ዘለዋ ኣባይቲ ማሕበር ኣምላኽ ኣንዲዶምወን። 9 ምልክትና ኣይንርእን፣ ነብዪ
የሎን፣ ክሳዕ መኣዝ ምዃኑ ዚፈልጥ የብልናን። 10 ዎ ኣምላኽ፣ እቲ ተጻራሪ ኽሳዕ መኣዝ ኪጸርፍ፧ ጸላእስ
ንሓዋሩ ስምካ ኺንዕቕ እዩ፧ 11 ስለምንታይ ኢድካ፣ ነታ የማነይቲኻ፣ ንድሕሪት እትመልሳ፧ ካብ
ትሽትሽካ ኣውጺእካ ኣጥፍኣዮም። 12 ግናኸ እቲ ኣብ ማእከል ምድሪ ግብርታት ምድሓን ዚገብር ዘሎ
ኣምላኸ ካብ ጥንቲ ንጉሰይ እዩ። 13 ንስኻ ንባሕሪ ብሓይልኻ መቐልካዮ፣ ኣራእስ ገበላት ኣብ ማያት
ጨፍለቕካ። 14 ኣርእስቲ ሌዋታን ቀጥቂጥካ፣ ነቶም ኣብ በረኻ ዚነብሩ፣ ምግቢ ኪኾኖም፣ ሀብካዮም። 15
ዓይኒ ማያትን ምንጭን ኣፈልፈልካ፣ ነቲ ኹሉ ጊዜ ዚውሕዝ ርባታት ኣንቀጽካዮ። 16 መዓልቲ ናትካ እያ፣
ለይቲውን ናትካ እያ፣ ንብርሃንን ጸሓይን ገበርካየን። 17 ንብዘሎ ወሰናት ምድሪ ንስኻ ኣጽናዕካዮ፣
ንሓጋይን ክረምትን ፈጢርካዮም። 18 ጸላኢ ንእግዚኣብሄር ከም ዝጸረፎ፣ ዓሻ ህዝቢውን ንስምካ ከም
ዝነዐቐ ዘክር። 19 ነፍሲ ባሬቶኻ ንኣራዊት ኣይትሀብ፣ ህይወት መሳኺንካ ንሓዋሩ ኣይትረስዕ። 20 እቲ
ዘጸልመተ ቦታታት ምድሪ ብማሕደር ግፍዒ መሊኡ ኣሎ እሞ፣ ኪዳንካ ጠምት። 21 እቲ ጥቑዕ ሐፊሩ
ኣይመለስ፣ መስኪንን ድኻን ስምካ ይባርኹ። 22 ዎ ኣምላኽ፣ ተንስእ፣ ነገርካ ግበር፣ ዓሻ ጽርፍ ከም
ዚውዕለካ ዘክር። 23 ድምጺ ተጻረርትኻ ኣይትረስዕ፣ ጭድርታ እቶም ዓለውትኻ ኹሉ ጊዜ ይለዐል ኣሎ።

## ምዕራፍ 75

1 ነመስግነካ፣ ዎ ኣምላኽ፣ ነመስግነካ ኣሎና፣ ስምካ ቐረባ እዩ፣ ሰብ ንተኣምራትካ የዘንትውዎ።

2 ነቲ ምዱብ ጊዜ ምስ ረኸብክዎ፣ ቅኑዕ ክፈርድ እየ። 3 ምድርን ኣብኣ ዚነብሩ ዅሎምን መኸኹ። ኣነ
ነዕኑዳ ኣጽናዕኩ። 4 ነቶም ደፋራት፣ ኣይትድፈሩ፣ ንረሲኣንውን፣ ቀርንኹም ኣይተልዕሉ፣ በልክዎም። 5
ቀርንኹም ንላዕሊ ኣይተልዕሉ፣ ክሳድኩም ኣትሪርኩም ኣይትዛረቡ። 6 ካብ ምብራቕ ወይ ካብ ምዕራብ፣
ወይስ ካብ በረኻ ኣይኮነን ልዕልና ዚመጽእ፣ 7 ኣምላኽ ደኣ እዩ ፈራዲ፣ ነዚ የውርድ፣ ነቲ ልዕል የብል።

[8] ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ዓፈርፈር ዚብል፣ እተሐዋወሰ ወይኒ ዝመልኤ ጽዋእ ኣሎ እሞ፣ ካብኡ ቐዲሑ
ይዕድል፣ ብሓቂ፣ ኵሎም ረሲኣን ምድሪ ንሓተላኡ ኺጭልጥዎ እዮም። [9] ኣነ ግና ንዘለኣለም እዚ
ኽዘንቱ፣ ንኣምላኽ ያእቆብ ምስጋና ኽዝምረሉ፣ [10] ንብዘሎ ኣቕርንቲ ረሲኣንውን ክጕልዕሞ እየ፣ ኣቕርንቲ
ጻድቃን ግና ልዕል ኪብል እዩ።

# ምዕራፍ 76

[1] ኣምላኽ ኣብ ይሁዳ ፍሉጥ እዩ፣ ስሙ ኣብ እስራኤል ዓብዪ እዩ።

[2] ድንኳኑ ኣብ ሳሌም፣ ማሕደሪኡውን ኣብ ጽዮን እዩ።

[3] ኣብኡ ናይ ቀስቲ ፍላጻ፣ ዋልታን ሰይፍን መሳርያ ውግእን ሰባበረ።

[4] ንስኻ ኻብ ኣኽራን መንጠልቲ ዚበልጽ ብሩህን ክቡርን ኢኻ። [5] እቶም ተባዓት ልቢ ተገፉ፣ ድቃሶም
ደቀሱ፣ ኵላቶም ጀጋኑውን ኣእዳዎም ኣይረኸቡን።

[6] ዎ ኣምላኽ ያእቆብ፣ ብተግሳጽካ ሰረገላታትን ኣፍራስን ድቃስ ከቢድዎም ዛሕ በሉ። [7] ንስኻ ግና
እተፈራህካ ኢኻ፣ ክትቍጣዕ ከሎኻኸ፣ ኣብ ቅድሜኻ መን ደው ኪብል ይኽእል፧ [8-9] ፍርድኻ ኻብ
ሰማይ ኣስማዕካ፣ ኣምላኽ ንዅሎም ትሑታት ምድሪ ምእንቲ ኼድሕን ንፍርዲ ምስ ተንስኤ፣ ምድሪ
ፈርሄት ስቕውን በለት። [10] ኵራ ሰብ ኬመስግነካ እዩ እሞ፣ ትርፊ ዅራ ኽትዕጠቕ ኢኻ። [11]
ንእግዚኣብሄር፣ ንኣምላኽኩም፣ ተመባጽዑሉ ፈጽምዎ ኸኣ። ኣቱም ኣብ ዙርያኡ ዘሎኹም ኵሉኹም፣
ገጸ በረኸት ነቲ ዜፍርህ ኣቕርቡሉ። [12] ንሱ ንመንፈስ መሳፍንቲ ኺዐጽዶ እዩ፣ ንነገስታት ምድሪ ዜፍርህ
እዩ።

# ምዕራፍ 77

[1] ድምጻይ ናብ ኣምላኽ ኣልዒለ ኤእዊ፣ ድምጻይ ናብ ኣምላኽ ኤልዕል ኣሎኹ፣ ንሱውን ይሰምዓኒ እዩ።
[2] ብመዓልቲ ጸበባይ ንእግዚኣብሄር ደሌኽዎ፣ ብለይቲ ኢደይ ተዘርግሔት ኣይሰልከየትን ከኣ፣ ነፍሰይ
ምጽንናዕ ኣበየት። [3] ንኣምላኽ እዝክሮን እቕዝምን ኣሎኹ፣ ኤስተንትንን መንፈሰይ ከኣ ይሕለልን ኣሎ።
[4] ነዒንተይ ቈላሕላሕ ተብለን፣ እሸገር ምዝራብውን እስእን ኣሎኹ።

[5] ናይ ቀደም መዓልትታት፣ ናይ ጥንቲ ዓመታት እዝክር ኣሎኹ። [6] ብለይቲ ንበገናይ እሐስብ፣ ምስ ልበይ
ኤስተንትን ኣሎኹ፣ መንፈሰይውን ይምርምር ኣሎ፣ [7] እግዚኣብሄርሲ ንዘለኣለምዶ ይድርቢ፧ ድሕርዚኸ
ጸጋኡዶ ኣየርእን እዩ፧ [8] ጸጋኡስ ንዘለኣለምዶ ፈጺሙ ተወዲኡ፧ ተስፋኡኸ ንውሉድ ወለዶዶ ተሪፉ እዩ፧
[9] ኣምላኽሲ ሳህሉዶ ርሲዕዎ፧ ንምሕረቱስ ብዅራዶ ዐጽይዎ እዩ፧ [10] ኣነ በልኩ፣ እዚ እዩ ድኻመይ፣
ዓመታት የማነይቲ እቲ ልዑል እዝክር ኣሎኹ። [11] ናይ ቀደም ተኣምራትካ ኽሐስብ እየ እሞ፣
ንግብርታት እግዚኣብሄር ክዝክሮ እየ፣ [12] ንብዘሎ ግብርታትካ ድማ ከስተንትኖ፣ ንዕዮኻውን ክምርምሮ
እየ። [13] ዎ ኣምላኽ፣ መገድኻ ብቕድስና እዩ፣ ከም ኣምላኽ ዝበለ ዓብዪ ኣምላኽከ መን ኣሎ፧ [14]
ተኣምራት እትገብር ኣምላኽ ንስኻ ኢኻ፣ ንሓይልኻ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣፍለጥካዮ።

[15] ንህዝብኻ፣ ንውሉድ ያእቆብን ዮሴፍን፣ ብቕልጽምካ ተበጀኻዮ። [16] ዎ ኣምላኽ፣ ማያት ረአዩኻ፣ ማያት ረኣዩኻ፣ ተሸበሩውን፣ እወ፣ መዓሙቑ ተናወጸ። [17] ደበናታት ብርቱዕ ማያት ኣፍሰሰ፣ ጠፈር ድምጹ ኣስምዔ፣ ፍላጻታትካውን ተወረወረ። [18] ድምጺ ነጐድጓድካ ኣብ ህቡብላ ነበረ፣ መባርቕ ንዓለም ኣብርሃ፣ ምድሪ ተናወጸት ኣንቀጥቀጠትውን። [19] ጐደናኻ ኣብ ባሕሪ፣ መገድታትካ ኣብ ዓበይቲ ማያት እዩ፣ ኣሰርካውን ኣይተፈልጠን።

[20] ንህዝብኻ ኸም መጓሰ ብኢድ ሙሴን ኣሮንን ጌርካ መራሕካዮ።

# ምዕራፍ 78

[1] ዎ ህዝበይ፣ ንሕገይ ጽን በሎ፣ ኣእዛንካ ናብ ቃላት ኣፈይ ኣድንን። [2] ኣፈይ ብምስላ እኸፍት፣ ናይ ቀደም ምስጢራት እነግር ኣሎኹ፣

[3] እቲ ዝሰምዕናዮን ዝፈለጥናዮን፣ ኣቦታትናውን ዘዘንተዉልና፣ [4] ካብ ውሉዶም ኣይንሕብኦን፣ ነቲ ዚመጽእ ወለዶስ ምስጋና እግዚኣብሄርን ስልጣኑን እቲ ዝገበሮ ተኣምራቱን ደአ ንነግሮ። [5-8] እቲ ዚመጽእ ወለዶ፣ እቶም ዚውለዱ ደቂ ኺፈልጥዎ፣ ንሳቶም ከኣ ተንሲኦም ንውሉዶም ምእንቲ ኼዘንትውዎስ፣ ተስፋኦም ናብ ኣምላኽ ኪገብሩ፣ ትእዛዛቱ ኺሕልዉ እምበር፣ ተግባር ኣምላኽ ምእንቲ ኸይርስዑ፣ ከም ኣቦታቶም፣ እቲ ህልኽኛን ዓለወኛን ወለዶ፣ ከምቲ ልቡ ቀጥ ዘይበለ፣ መንፈሱውን ናብ ኣምላኽ ዘይተኣመነ ወለዶ ኸይኮኑስ፣ ኣብ ያእቆብ ምስክር ኣጽንዔ፣ ኣብ እስራኤል ከኣ ሕጊ ኣቘመ፣ እዚውን ንውሉዶም ኬፍልጥዎስ፣ ነቦታትና ኣዘዞም። [9] ውሉድ ኤፍሬም፣ ተዋጋእትን ወርወርትን፣ ብመዓልቲ ውግእ ንድሕሪት ተመልሱ። [10] ኪዳን ኣምላኽ ኣይሐለዉን፣ ብሕጉ ምምልላስ ከኣ ኣበዩ፣

[11] ንግብርታቱን ነቲ ዘርአዮም ተኣምራቱን ረስዕዎ። [12] ኣብ ቅድሚ ኣቦታቶም ኣብ ምድሪ ግብጺ፣ ኣብ መሮር ጾዓን፣ ተኣምራት ገበረ። [13] ባሕሪ መቒሉ ኣሕለፎም፣ ንማይ ከም ኰምሪ ኣቘሞ። [14] መዓልቲ ብደበና፣ ምሉእ ለይቲውን ብብርሃን ሓዊ መርሖም። [15] ኣብ በረኻ ነኻውሕ ጨደዶ፣ ከም ካብ ዓሚቝ ባሕሪውን ብዙሕ ኣስተዮም። [16] ዓይኒ ማያት ካብ ከውሒ ኣውጽኤ፣ ንማይ ድማ ከም ውሒዝ ኣውሐዞ።

[17] ግናኸ ኣብ በረኻ ነቲ ልዑል ተሃላሊኾም፣ እናቐጸሉ በደልዎ።

[18] ንትምኒቶም ዚብላዕ እናደለዩ፣ ብልቦም ንአምላኽ ፈተንዎ። [19-20] ንሳቶም፣ ኣምላኽሲ ኣብ በረኻ ደኈን መአዲ ኺሰርዕ ይኽእል እዩ፧ እንሆ፣ ማይ ክሳዕ ዚፍልፍል፣ ውሒዝ ክሳዕ ዚውሕዝሲ፣ ንኸውሒ ወቕዖ፣ ግናኸ እንጌራውን ኪህብ፣ ወይስ ንህዝቡ ስጋ ኺምህዝዶ ይከአሎ እዩ፧ ኢሎም ንአምላኽ ሐመይዎ። [21-22] ብአምላኽ ኣይአመኑን፣ ብምድሓኑውን ኣይተወከሉን እዮም እሞ፣ እግዚኣብሄር እዚ ሰሚዑ ተቘጥዔ፣ ኣብ ያእቆብ ሓዊ ነደደ፣ ኣብ እስራኤልውን ቍጥዓ ወጸ። [23] ግናኸ ንሱስ ኣብ ላዕሊ ንደበና ኣዘዞ፣ መዓጹ ሰማይ ከኣ ከፈተ፣ [24] ምእንቲ ኺበልዑ ድማ ማና አዝነመሎም፣ እኽሊ ሰማይውን ሀቦም። [25] ሰብ ናይ መላእኽቲ እንጌራ በልዔ፣ ንምሉእ ጽጋብ ዚኸውን ምግቢ ሰደደሎም። [26] ንፋስ ምብራቕ ኣብ ሰማይ ኣለዓዐለ፣ ብስልጣኑ ድማ ንፋስ ደቡብ ኣምጽኤ። [27] ስጋ ኣብ ልዕሊኦም ከም ሓመድ፣ ነፈርቲ ኣዕዋፍውን ከም ሑጻ ባሕሪ አዝነመሎም።

[28] ኣብ ማእከል ሰፈሮም፣ ኣብ ዙርያ ድንኳኖም ኣውረደሎም። [29] በልዑን ኣዝዮም ጸገቡን፣
ትምኒቶምውን ሀቦም።

[30] ትምኒቶም ገና ኸይወድኡ፣ ብልዖምውን ገና ኣብ ኣፎም ከሎ፣ [31] መዓት ኣምላኽ ወረዶም፣ ካብ
ስቡሓቶም ከኣ ቀተለ፣ ነኍባዝ እስራኤልውን ኣውደቖም። [32] ምስናይዚ እዚ ኹሉ መሊሶም በደሉ፣
ብተኣምራቱ ኸኣ ኣይኣመኑን።

[33] ስለዚ ንመዓልትታቶም ብኸንቱ፣ ንዓመታቶም ከኣ ብስምባድ ኣሕለፈን። [34] ኪቐትሎም ከሎ፣ ሽዑ
ይደልይዎ ነበሩ፣ ተመሊሶም ከኣ፣ ኣንጊሆም ንኣምላኽ ደለይዎ።

[35] ኣምላኽሲ ኸውሖም፣ እቲ ልዑል ኣምላኽውን ተበጃዊኦም ምዃኑ ዘከሩ።

[36] ብኣፎም ኣቃባጠሩሉ፣ ብመልሓሶም ድማ ሐሰዉሉ።

[37] ልቦም ናብኡ ኣይቀንዔን፣ ብኺዳኑውን እሙናት ኣይነበሩን። [38] ንሱ ግና መሓሪ ኾይኑ፣ ኣበሳኦም
ይቕረ በለሎም፣ ኣየጥፍኣምን ከኣ፣ ንኹራኡ ብዙሕ ጊዜ መለሶ፣ ንኹሉ ቍጥዓኡ ድማ ኣይደርገሖን።

[39] ስጋ ምዃኖም፣ ሐሊፉስ ዘይትምለስ ትንፋስ ምዃኖም ዘከረ። [40] ክንደይ ሳዕ እዮም ኣብ በረኻ
እተጻረርዎ፣ ኣብ ጽምዋውን ዘጒሀይዎ። [41] ተመሊሶም ንኣምላኽ ፈተንዎ፣ ነቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ድማ
ኣቔጥዕዎ። [42-43] ንኢዱን ነታ ኻብ ተጻራሪ እተበጀዎም መዓልትን፣ ትእምርቱ ኣብ ግብጺ፣ ተኣምራቱ
ኸኣ ኣብ መሮር ጾዓን ከም ዝገበረ፣ ኣይዘከሩን። [44] ምስታይ ምእንቲ ኺስእንዎስ፣ ንርባታቶምን ንፈሳሲ
ማዮምን ናብ ደም ለወጦ።

[45] ዚበልዕዎም ተናኸስቲ ጽንጽያን፣ ዜጥፍእኦም ቍርያባትን ሰደደሎም።

[46] ብቛልያኦም ንቓቐጣ፣ ፍረ ዕዮኦም ከኣ ነንበጣ ሀቦ።

[47] ንወይኖም ብበረድ፣ ንዳዕሮኦም ከኣ በስሓይታ ኣጥፍኦ።

[48] ከብቶም ንበረድ፣ መጓሲኦም ከኣ ንመባርቕ ኣሕሊፉ ሃበን። [49] ሓዊ ኹራኡ፣ ቍጥዓን ሓርቖትን
ጸበባን፣ ጭፍራ መላእኽቲ እከይ፣ ኣውደቐሎም። [50] ንኹራኡ መገዲ ጸረገሉ፣ ህይወቶም ንፌራ ኣሕሊፉ
ሀበ እምበር፣ ንነፍሶም ካብ ሞት ኣይነሐፋን። [51] ንብዘሎ በዅሪ ግብጺ ኸኣ፣ ነቶም በዅሪ ሓይሊ፣ ኣብ
ድንኳናት ካም ወቕዖም። [52] ንህዝቡ ግና ከም ኣባጊዕ ኣንቀሎም፣ ኣብ በረኻውን ከም መጓሰ መርሖም።
[53] ከይፈርሁስ ብደሓን መርሖም፣ ንጸላእቶም ግና ባሕሪ ደፈኖም።

[54] ናብ ወሰን መቕደሱ፣ ናብታ የማነይቲ ኢዱ ዘጥረየቶ ኸረን ኣብጽሖም። [55] ነህዛብ ከኣ ካብ ቅድሚኦም
ሰጐጎም፣ ርስቲ ኪኾኖም ብዕጻ ኸፈሎም፣ ንነገዳት እስራኤል ኣብ ድንኳናቶም ኣሕደሮም። [56] ግናኸ ነቲ
ልዑል ኣምላኽ ፈተንዎን ተጻረርዎን፣ ምስክራቱውን ኣይሐለዉን። [57] ንድሕሪት ተመልሱ፣ ከም
ኣቦታቶምውን ጠለሙ፣ ከም ጠላሚ ቐስቲ ተለውዩ። [58] ብኾረቢቶም ከኣ ኣኾረይዎ፣ ብተወቕረ
ምስልታቶምውን ኣቕንእዎ። [59] ኣምላኽ ድማ ነዚ ሰሚዑ ተቘጥዔ፣ ንእስራኤልውን ኣዝዩ ነዐቖም። [60]
ንማሕደሩ ኣብ ሲሎ፣ ነቲ ኣብ ማእከል ሰብ ተኺልዎ ዝነበረ ድንኳን ሐደጎ። [61] ሓይሉ ንምርኮ፣
ክብሩውን ናብ ኢድ ተጻራሪ ሀበ። [62] ንህዝቡ ድማ ኣደዳ ሰይፊ ገበሮ፣ ንርስቱውን ተቘጥዖ። [63] ነኍባዞም
ሓዊ በልዖም፣ ደናግሎም ከኣ ጓይላ መርዓ ኣይረኸባን። [64] ካህናቶም ብሰይፊ ወደቑ፣ መበለታቶምውን

ኣይበኸያሎምን። 65 ሽዑ እግዚኣብሄር ከም ደቂሱ ዝነበረ፣ ከምቲ ብወይኒ ሰኺሩ ዚጭድር ጅግና ኈይሉ
ተንስኤ። 66 ንጸላእቱ ድማ ኣብ ድሕሪኦም ወቕዖም፣ ንዘለኣለማዊ ነውሪ ሀቦም። 67 ንድንኳን ዮሴፍ
ደርበያ፣ ንነገድ ኤፍሬምውን ኣይሐረዮን፣ 68 ንነገድ ይሁዳ፣ ነታ ዘፍቀራ ኸረን ጽዮን ግና ሐረያ። 69
ንቤት መቕደሱ ኸም ኵርባታት፣ ከምታ ንዘለኣለም ዝሰረታ ምድሪ ገይሩ፣ ሀነጸ። 70 ንዳዊት ባርያኡ
ሐርዩ፣ ካብ መጓሴታት ኣባጊዕ ወሰዶ። 71 ንህዝቡ ያእቆብን ንርስቱ እስራኤልን ምእንቲ ኺሕሉስ፣ ካብ
ሓራሳት ኣባጊዕ ኣምጽኦ። 72 ብቕንዕና ልቡ ጓሰዮም፣ በእምሮ ኣእዳዉውን መርሖም።

## ምዕራፍ 79

1 ዎ ኣምላኽ፣ ኣህዛብ ናብ ርስትኻ ኣትዮም፣ ንቕድስቲ መቕደስካ ኣርኪሰዋ፣ ንየሩሳሌምውን ኵምራ
እምኒ ገበርዋ። 2 ሬሳ ባሮትካ ንምግቢ ኣዕዋፍ ሰማይ፣ ስጋ ጻድቃን ንኣራዊት መሮር ሀብዎም። 3 ደሞም
ኣብ ዙርያ የሩሳሌም ከም ማይ ኣፍሰስዎ፣ ቀባሪውን ኣይነበረን። 4 ንጐረባብትና ነውሮም፣ ነቶም ኣብ
ዙርያና ዘለዉ ኸኣ ንመስሓቕኦምን ንመላገጺኦምን ኰንና። 5 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣዘውትርካ እትኹሪ፣
ቅንኣትካ ኸም ሓዊ ዚነድድ ኽሳዕ መኣዝ እዩ፧ 6-7 ንያእቆብ በሊዖምዎ፣ ንማሕደሩውን ኣዕንዮምዋ እዮም
እሞ፣ ቍጥዓኻ ናብቶም ዘይፈልጡኻ ኣህዛብ፣ ናብቶም ብስምካ ዘይምህለሉ መንግስትታት ክዐዎ። 8
ኣዚና ተዋሪድና ኢና እሞ፣ በደል ኣቦታትና ኣይትዘክረልና፣ ቀልጥፍ፣ ምሕረትካ ትቃባበለና። 9 ዎ
ኣምላኽ ምድሓንና፣ ምእንቲ ኽብሪ ስምካ ርድኣና፣ ምእንቲ ስምካ ኢልካ ኸኣ ኣናግፈና፣ ሓጢኣትናውን
ይቕረ በለልና። 10 ስለምንታይከ ኣህዛብ፣ ኣበይ ኣሎ ኣምላኾም፣ ዚብሉ፧ እቲ ምፍዳይ ሕነ ናይቲ ዝፈሰሰ
ደም ባሮትካ ኣብ ቅድሜና ኣብ ማእከል ኣህዛብ ይፈለጥ። 11 ምንኣኽ እቶም እሱራት ናብ ቅድሜኻ
ይምጻእ፣ ነቶም ንሞት እተመደቡ ብስልጣን ቅልጽምካ ኣድሕኖም። 12 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንጐረባብትና
እቲ ዝጸረፉኻ ጸርፊ ሾብዓተ ኢድ ጌርካ፣ ናብ ሕቑፎም ምለሰሎም። 13 ንሕና ግና፣ ህዝብኻን ኣባጊዕ
መጓሴኻን ዝኾንና፣ ንዘለኣለም ከነመስግነካ፣ ንውሉድ ወለዶ ምስጋናኻ ኽነውሪ ኢና።

## ምዕራፍ 80

1 ዎ ጓሳ እስራኤል፣ ጽን በል። ንዮሴፍ ከም መጓሰ እትመርሖ፣ ኣታ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል እትቕመጥ፣
በሪህካ ተገለጽ። 2 ኣብ ቅድሚ ኤፍሬምን ብንያምን ምናሴን ስልጣንካ ኣተንስእ፣ ንምድሓንናውን ንዓ። 3
ዎ ኣምላኽ፣ ምለሰና፣ ክንድሕን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና። 4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣምላኽ ሰራዊት፣ ክሳዕ
መኣዝ ኢኻ ብጸሎት ህዝብኻ እትኹሪ፧ 5 እንጌራ ንብዓት ኣብላዕካዮም፣ ብመስፈር ከኣ ንብዓት
ኣስቴኻዮም። 6 ንጐረባብትና መካትዒኦም ትገብረና ኣሎኻ፣ ጸላእትናውን የላግጹልና ኣለዉ። 7 ዎ
ኣምላኽ ሰራዊት፣ ምለሰና፣ ክንድሕን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና። 8 ጕንዲ ወይኒ ኻብ ግብጺ ኣውጺእካ፣
ኣህዛብ ሰጕጕካውን ተኸልካያ። 9 ኣብ ቅድሚኣ ቦታ ኣዳሎኻላ፣ ሱር ሰደደት ምድሪውን መልኤት። 10
ኣኽራን ብጽላላ ተኸድኑ፣ ጨናፍራ ድማ ከም ጽሕድታት ኣምላኽ ነበሩ። 11 ጨናፍራ ኽሳዕ ባሕሪ፣
ውልዶታታ ኸኣ ክሳዕ እቲ ርባ ዘርግሔት። 12 ኵሎም ሐለፍቲ መገዲ ኪቕንጥብዋስ፣ ስለምንታይከ
ሓጹራ ዘፍረስካ፧ 13 ናይ ዱር መፍለስ ይፍልሳ፣ እንስሳ መሮርውን ይጓሰያ ኣለዉ። 14-15 ዎ ኣምላኽ
ሰራዊት፣ ተመለስ፣ ካብ ሰማይ ኣንቈልቍልካ ርኤ፣ እንሆ ኸኣ ነዛ ወይንን፣ ነዛ የማነይትኻ ዝተኸለታ
ኣምን፣ ነቲ ንኣኻ ኢልካ ዘጽናዕካዮ ጨንፈርን ብጽሓዮም። 16 ብሓዊ ነዲዳ ተበትከት። ብተግሳጽ ገጽካ

ይጠፍኡ ኣለዉ። 17 ኢድካ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ የማነይትኻ ሰብኣይ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ንኣኻ ኢልካ
ዘጽናዕካዮ ወዲ ሰብ ትኹን። 18 ሽዑ ኻባኻ ኣይክንርሕቕን ኢና፣ ህይወት ሀበና፣ ብስምካውን ክንምህለል
ኢና። 19 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ ምለሰና፣ ክንድሕን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና።

## ምዕራፍ 81

1 ንኣምላኽ፣ ነቲ ሓይልና፣ እልል በሉሉ፣ ንኣምላኽ ያእቆብ እልል በሉ። 2 መዝሙር ኣልዕሉ፣ ከበሮን
ጥዑም በገና ምስ መሰንቆን ኣቓንዩ። 3-4 እዚ ናይ እስራኤል ሕጊ፣ ናይ ኣምላኽ ያእቆብ ስርዓት እዩ እሞ፣
ብሰርቂ ወርሒ፣ ብምልኣት ወርሒ፣ ብመዓልቲ በዓልና መለኸት ንፍሑ። 5 ካብ ምድሪ ግብጺ ኺወጽእ
ከሎ፣ ኣብ ዮሴፍ ምስክር ገይሩ ኣቘሞ። ዘይፈልጦ ቛንቋ እሰምዕ ኣሎኹ፣ 6 ንመንኲቡ ኻብ ሰኸሚ
ኣርሐቕክዎ፣ ኣእዳዉ ኻብ መጾሪ ኣቕሓ ተናገፋ። 7 ብጸበባ ኣእዌኻ፣ ኣነውን ኣናገፍኩኻ፣ ኣብ ነጐዲ
ተሰዊረ መለስኩልካ፣ ኣብ ማይ መሪባ ተዐዘብኩኻ። 8 ዎ ህዝበይ፣ ክምስክረልካስ ስማዕ፣ ዎ እስራኤል፣
ኣየ እንተ ትሰምዓኒ። 9 ካልእ ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣይኹን፣ ንኻልእ ኣምላኽውን ኣይትስገድ። 10 ኣነ
እግዚኣብሄር፣ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእኩኻ ኣምላኽ እየ፣ ኣፍካ ሃህ ኣብል፣ ኣነውን ክመልኦ
እየ። 11 ህዝበይ ግና ንድምጸይ ኣይሰምዖን፣ እስራኤል ድማ እሺ ኣይበለንን። 12 ብምኽሪ ርእሶም
ኪመላለሱስ፣ ኣብ ጽንዓት ልቦም ሐደግክዎም። 13 ኣየ፣ ህዝበይ እንተ ዚሰምዓኒ፣ እስራኤልሲ ብመገደይ
እንተ ዚኸይድ። 14 ንጸላእቶም ቀልጢፈ መዋረድክዎም፣ ኢደይውን ናብ ተጻረርቶም ምመለስኩ። 15
ንእግዚኣብሄር ጸላእቱ ምተገዝእዎ ነይሮም፣ ዘመኖም ከኣ ንዘለኣለም ምኾነ። 16 ስብሒ ስርናይ
መብላዕኩኻ፣ ካብ ከውሕስ መዓር መጽገብኩኻ ነይረ።

## ምዕራፍ 82

1 ኣምላኽ ኣብ ማሕበር ኣማልኽቲ ደው ይብል፣ ኣብ ማእከል ኣማልኽቲ ይፈርድ ኣሎ። 2 ክሳዕ መኣዝ
ኢኹም ሓሶት እትፈርዱ፧ ንገጽ ረሲኣንስ እተድልዉ፧ 3 ንምግዱርን ንዘኽታምን በይኑሎም፣ ንጭኑቕን
መስኪንን ፍትሒ ኣውጽኡሎም። 4 ንድኻን መስኪንን ኣናግፍዎም፣ ካብ ኣእዳው ረሲኣን ኣድሕንዎም። 5
ኣይፈልጡን፣ ኣየስተውዕሉን፣ ኣብ ጸልማት ይመላለሱ፣ ብዘሎ መሰረታት ምድሪ ይናወጽ ኣሎ። 6-7
ኣነስ፣ ኣማልኽቲ ኢኹም፣ ኵላትኩም ውሉድ እቲ ልዑል ኢኹም፣ ግናኸ ከም ሰብ ክትሞቱ፣ ከም ሓደ
ኻብቶም መሳፍንቲውን ክትወድቁ ኢኹም፣ በልኩ። 8 ዎ ኣምላኽ፣ ንኹሎም ኣህዛብ ክትወርስሲ፣
ተንስእ ንምድሪ ፍረዳ።

## ምዕራፍ 83

1 ዎ ኣምላኽ፣ ስቕ ኣይትበል፣ ኣታ ኣምላኽ፣ ዓባስ ኣይትኹን፣ ዝግ ኣይትበል። 2 እንሆ፣ ጸላእትኻ
የውከዑ፣ ዚጸልኡኻውን ርእሶም የልዕሉ ኣለዉ እሞ፣ 3 ንህዝብኻ ተንኰል ይፍሕሱሎም፣ ነቶም
እትጋርዶም ድማ ኣብ ልዕሊኦም ይማኸሩሎም ኣለዉ። 4 ህዝቢ ኸይኰኑ፣ ስም እስራኤል ደጊም
ከይዝከርሲ፣ ንዑ ነጽንቶም፣ ይብሉ ኣለዉ። 5 ሐቢሮም፣ ተማኺሮም፣ ኪዳን ተኣታትዮምልካ እዮም
እሞ፣ 6 ድንኳናት ኤዶምን እስማኤላውያንን፣ ሞኣብን ኣጋራውያንን፣ 7 ጌባልን ዓሞንን ኣማሌቅን፣
ፍልስጥኤም ምስ ሰብ ጢሮስ፣ 8 ኣሶር ድማ ሐቢሮም፣ ንውሉድ ሎጥ ቅልጽም ኰይኖምዎም እዮም። 9

ከምቲ ንምድያን፣ ንሲሰራ፣ ንያቢን አብ ርባ ቂሶን ዝገበርካዮም ግበሮም። 10 ንሳቶም አብ ኤንዶር
ጠፍኡ፣ ንምድሪ ኸኣ ድኹዒ ኰንዋ። 11-12 ንማሕደሪታት ኣምላኽ ንውረስ፣ ኢሎም አለዉ እሞ፣
ንኹቡራቶም ከም ኦሬብን ዜብን፣ ንብዘለዉ መሳፍንቶም ከኣ ከም ዜባን ጻልሙናን ግበሮም። 13
ኣምላኸይ፣ ከም ህቦብላ፣ ከም ሓሰር አብ ቅድሚ ንፋስ ግበሮም። 14 ከምቲ ሓዊ ንዱር ዜንድዶ፣
ሃልሃልታውን ነኸራን ዜቃጽሎ፣ 15 ከምኡ ብህቦብላኻ ስጐጎም፣ ብዘራጊቶኻ ድማ አሸብሮም። 16 ዎ
እግዚአብሄር፣ ስምካ ኺደልዩስ፣ ንገጾም ነውሪ ምልኣዮ። 17 ንዘለኣለም ይነውሩን ይሸበሩን፣ ይሕፈሩን
ይጥፍኡን። 18 ንስኻ፣ ጐይታ ዝስምካ፣ በይንኻ አብ ልዕሊ ኹሉ ምድሪ ልዑል ከም ዝኾንካ፣ ይፍለጡ።

# ምዕራፍ 84

1 ዎ ጐይታ ሰራዊት፣ ማሕደራትካ ኸንደይ ባህ ዜብላ እየን። 2 ነፍሰይ ንኣጸድ እግዚአብሄር ትናፍቕን
ሃረር ትብሎን ኣላ፣ ነፍሰይን ስጋይን ንህያው ኣምላኽ እልል ይብላሉ። 3 ዑፍ እኳ ቤት ረኸበት፣
ለኺኹቶውን ጨጫዊታ እተንብረላ ቤት ረኸበት፣ መሰውኢታትካ፣ ዎ ጐይታ ሰራዊት፣ ንጉሰይን
ኣምላኸይን። 4 አብ ቤትካ ዚነብሩ ብጹኣን እዮም፣ ኩሉ ጊዜ ይውድሱኻ። 5 ሓይሎም ብኣኻ ዝኾነ፣
ብልቦም ንመገድኻ ዚሐስቡ ሰባት ብጹኣን እዮም። 6 ብለሰ ብኸያት ኪሐልፉ ኸለዉ፣ ዓይኒ ማያት
ይገብርዎ፣ ዝናም አዝመራውን ብበረኸት ይኸድኖ። 7 ካብ ሓይሊ ናብ ሓይሊ ይኸዱ፣ አብ ጽዮን አብ
ቅድሚ ኣምላኽ ይቈሙ። 8 ዎ እግዚአብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ ጸሎተይ ስማዕ። ዎ አምላኽ ያእቆብ፣ ጽን
በል 9 ኣታ ዋልታና ዝኾንካ ኣምላኽ፣ ርኤ፣ ገጽ ቅቡእካውን ጠምት። 10 ካብ ሽሕ፡ ሓንቲ መዓልቲ አብ
አጸድካ ትሐይሽ እያ እሞ፣ አብ ድንኳን ረሲአን ካብ ምንባርሲ አብ ቤት ኣምላኸይ ሓለው ደገ ምኻን
ይሔሸኒ። 11 እግዚአብሄር ኣምላኽሲ ጸሓይን ዋልታን እዩ እሞ፣ እግዚአብሄር ጸጋን ክብርን ይህብ፣
ነቶም ብቕንዕና ዚመላለሱ ሰናይ ዘበለ ኣይኸልኦምን እዩ።

12 ዎ ጐይታ ሰራዊት፣ ኣባኻ ዚውከል ሰብ ብጹእ እዩ።

# ምዕራፍ 85

1 ዎ እግዚአብሄር፣ ንምድርኻ ሞገስ ገበርካላ፣ ንቤት ያእቆብ ካብ ምርኮ መለስካዮም። 2 ኣበሳ ህዝብኻ
ሐደግካ፣ ንብዘሎ ሓጢኣቶም ከደንካ። 3 ንኹሉ መዓትካ ኣርሐቕካዮ፣ ካብ ንደት ቍጥዓኻ ተመለስካ። 4
ዎ ኣምላኽ ምድሓንና፣ ምለሰና፣ ንኹራኻውን ካባና አትርፎ። 5 ንዘለኣለምዶ ኽትኩርየልና፣ ኩራኻስ
ንውሉድ ወለዶዶ ኽተንውሕ ኢኻ፧ 6 ህዝብኻ ብኣኻ ኺሕጐስሲ፣ መሊስካዶ ህይወት ኣይክትህበናን
ኢኻ፧ 7 ዎ እግዚአብሄር፣ ጸጋኻ ኣርእየና፣ ምድሓንካውን ሀበና። 8 ናብ ዕሽነት ደአ ኣይመለሱ እምበር፣
ንህዝቡን ቅዱሳኑን ሰላም ኪዛረቦም እዩ እሞ፣ ነቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ዚብሎ ኽሰምዕ እየ። 9 ብሓቂ
አብ ሃገርና ኽብሪ ኺሐድርሲ፣ ምድሓኑ ነቶም ዚፈርህዎ ቐረባኦም እዩ። 10 ለውሃትን ሓቅን ተራኸባ፣
ጽድቅን ሰላምን ተሳዓዐማ። 11 ሓቂ ኻብ ምድሪ ኽትበቍል፣ ጸድቂውን ካብ ሰማይ ክትጥምት እያ። 12
እግዚኣብሄር ድማ ሰናይ ኪህበና እዩ፣ ሃገርናውን ፍርያታ ኽትህብ እያ። 13 ጽድቂ ቐቅድሚኡ
ኽትከይድ፣ ኣሰኣሰሩ ኸኣ ክትሰዕብ እያ።

# ምዕራፍ 86

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ መስኪንን ድኻን እየ እሞ፣ እዝንኻ ኣድንን፣ ምለሰለይውን። 2 ሄር እየ እሞ፣ ንነፍሰይ
ሐልዋ፣ ኣታ ኣምላኸየ፣ ነቲ ኣባኻ ዚውከል ባርያኻ ኣድሕኖ። 3 ምሉእ መዓልቲ ናባኻ ኤእዊ ኣሎኹ
እሞ፣ ጐይታየ ምሐረኒ። 4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ነፍሰይ ናባኻ ኤልዕል ኣሎኹ እሞ፣ ንነፍሲ ባርያኻ
ኣሐጒሳ። 5 ዎ እግዚኣብሄር፣ ሕያዋይን ንይቕሬታ ድልውን ኢኻ፣ ናባኻ ንዜእውዩ ዅላቶም ከኣ ብዓል
ዓብዪ ምሕረት ኢኻ እሞ፣ 6 ጐይታየ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ ንድምጺ ምህለላይ ጽን በሎ። 7 ንስኻ
ኽትመልሰለይ ኢኻ እሞ፣ ብመዓልቲ ጸበባይ ክጽውዓካ እየ። 8 ዎ እግዚኣብሄር፣ ካብ ኣማልኽቲ
ዚመስለካ የልቦን፣ ከም ግብርታትካውን ከቶ የልቦን። 9 ዎ እግዚኣብሄር፣ ዝፈጠርካዮም ኣህዛብ ኵሎም
መጺኦም ኣብ ቅድሜኻ ኺሰግዱ፣ ንስምካውን ኬኽብሩ እዮም። 10 ንስኻ ዓብይን ተኣምራት እትገብርን
ኢኻ እሞ፣ ኣምላኽሲ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። 11 ዎ እግዚኣብሄር፣ ብሓቅኻ ምእንቲ ኽመላለስ፣ መገድኻ
ምሀረኒ፣ ስምካ ኽፈርሀሲ፣ ንልበይ ኣዳልዎ። 12-13 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ሳህልኻ ንኣይ ዓብዪ እዩ፣
ንነፍሰይውን ካብ መዓሙቝ ሲኦል ኣውጺእካያ ኢኻ እሞ፣ ብምሉእ ልበይ ከመስግነካ፣ ስምካውን
ንዘለኣለም ከኽብር እየ። 14 ዎ ኣምላኽ፣ ትዕቢተኛታት ተንሲኦምኒ፣ ኣኼባ ገፋዕቲ ኸኣ ንነፍሰይ
ይደልይዋ ኣለዉ፣ ንኣኻውን ኣብ ቅድሚኦም ኣይገበሩኻን። 15 ጐይታየ፣ ንስኻ ግና መሓርን ጸጋውን
ዓቃልን፣ ብሳህልን ሓቅን ዓብዪ ኣምላኽ ኢኻ። 16 ናባይ ግልጽ በል እሞ ምሐረኒ፣ ንባርያኻ ሓይልኻ
ሀቦ፣ ንወዲ እታ ባርያኻ ኣድሕኖ። 17 ዎ እግዚኣብሄር፣ ረዲእካንን ኣጸናኒዕካንን ኢኻ እሞ፣ ጸላእተይ
ርእዮም ኪሐፍሩስ፣ ምልክት ደሓን ግበረለይ።

# ምዕራፍ 87

1 መሰረታ ኣብቶም ቅዱሳት ኣኽራን እያ፣

2 እግዚኣብሄር ካብ ኵሉ ማሕደራት ያእቆብሲ ንደጌታት ጽዮን የፍቅር እዩ።

3 ኣቲ ኸተማ ኣምላኽ፣ ብዛዕባኺ ኽቡር ነገር ተዘርበ። 4 ካብተን ዚፈልጣኒ፣ ረሃብን ባቢሎንን እሰሚ
ኣሎኹ፣ እንሆ፣ ፍልስጥኤምን ጢሮስን ምስ ኢትዮጵያ፣ እዚኣቶም ኣብኣ ተወሊዶም እዮም። 5 ብዛዕባ
ጽዮን ድማ፣ እዝን እትን ኣብኣ ተወሊዶም፣ ኪበሀል እዩ፣ እቲ ልዑልውን ባዕሉ ኼጽንዓ እዩ። 6
እግዚኣብሄር ነህዛብ ኪጽሕፎም ከሎ፣ እዚ ኣብኣ ተወሊዱ፣ ኢሉ ኪቈጽር እዩ። 7 እናደረፉን
እናሳዕስዑን፣ ኵለን ዓይኒ ማያተይ ኣባኻ እየን፣ ኪብሉ እዮም።

# ምዕራፍ 88

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣምላኽ ምድሓነይ፣ ኣብ ቅድሜኻ ለይትን መዓልትን ኤእዊ ኣሎኹ፣ 2 ጸሎተይ ኣብ
ቅድሜኻ ይብጻሕ፣ እዝንኻ ናብ ኣውያተይ ኣድንን። 3 ነፍሰይ መከራ ጸጊባ እያ እሞ፣ ህይወተይ ናብ
ሲኦል ቀሪባ ኣላ። 4 ምስቶም ናብ ጉድጓድ ዚወርዱ ተቘጺረ፣ ሓይሊ ኸም ዜብሉ ሰብኣይ እየ፣ 5
ከምቶም ድሕርዚ ዘይትዝክሮም፣ ካብ ኢድካ እተቘርጹ፣ ኣብ ጉድጓድውን ዚድቅሱ ቕቱላት ኣብ
ማእከል ምውታት ተደርቤኹ። 6 ኣብ ዓሚቝ ጉድጓድ፣ ኣብ ጸልማት ኣብ መዓሙቝ ኣንበርካኒ፣ 7

ቍጥዓኻ ይኽብደኒ ኣሎ፣ ብዅሉ ማዕበላትካ ጸቒጥካኒ። 8 ንመሓዙተይ ካባይ ኣርሒቕካ፣ ብኣታቶም
ፍንፉን ገበርካኒ፣ ተዐጽየ፣ ምውጻእውን ስኢነ ኣሎኹ። 9 ኣዒንተይ ብስቓይ ይስልምታ ኣለዋ፣ ዎ
እግዚኣብሄር፣ ኵሉ መዓልቲ ናባኻ ኤእዊ። ኣእዳወይ ናባኻ እዝርግሕ አሎኹ። 10 ንምዉታትዶ
ተኣምራት ትገብረሎም ኢኻ፧ ዝሞቱስ ተንሲኦምዶ የመስግኑኻ እዮም፧ 11 ኣብ መቓብርከ ሳህልኻ፣ ኣብ
ቦታ ጥፍኣትውን እምነትካዶ ይንገር እዩ፧ 12 ተኣምራትካዶ አብ ጸልማት፣ ጽድቕኻውን አብ ምድሪ
ምርሳዕ ይፍለጥ እዩ፧ 13 ጐይታየ፣ ኣነ ግና ናባኻ ኤእዊ ኣሎኹ፣ ጸሎተይ ድማ ኣንጊሁ ይቃባበለካ ኣሎ።
14 ጐይታየ፣ ስለምንታይ ንነፍሰይ እትድርብያ፧ ንምንታይሲ ገጽካ ትኸውለለይ ኣሎኻ፧ 15 ካብ ንእስነተይ
ጀሚረ ሽጉርን ውጹዕን እየ፣ ፍርሃትካ ተሰኪመስ፣ ተስፋ እቚርጽ ኣሎኹ። 16 ሓዊ ቍጥዓኻ ብልዕለይ
ሐሊፉ፣ ስምባድካ ኣጥፊኡኒ። 17 ምሉእ መዓልቲ ኸም ማይ ከቢቦምኒ፣ ሐቢሮም ኣብ ዙርያይ ኣለዉ። 18
ንፈታውን ዓርክን ካባይ ኣርሒቕካዮም፣ መሓዛይ ጸልማት እዩ።

# ምዕራፍ 89

1 ግብርታት ጸጋ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ክዝምር፣ ብኣፈይ ንውሉድ ወለዶ እምነትካ ኸፍልጥ እየ። 2
ጸጋ ንዘለኣለም ኪህነጽ፣ እምነትካ አብ ሰማያት ከተጽንዕ ኢኻ፣ በልኩ እሞ፣ 3 ምስ ሕሩየይ ኪዳን
ኣቶኹ፣ ንዳዊት ባርያይ መሐልኩሉ፣ 4 ዘርእኻ ንዘለኣለም ከጽንዕ፣ ዝፋንካውን ንውሉድ ወለዶ ኽህንጽ
እየ። 5 ጐይታየ፣ ሰማያት ከኣ ንተኣምራትካ፣ ንእምነትካ ኣብ ማሕበር ቅዱሳን ኪውድሱ እዮም። 6 አብ
ጠፈር ንእግዚኣብሄር ዚመዓራረዮስ መን እዩ፧ ካብ ውሉድ ስልጡናትከ መን እዩ ንእግዚኣብሄር
ዚመስሎ፧ 7 ኣብ ምኽሪ ቅዱሳን ኣዝዩ ዜፍርህ፣ ካብቶም አብ ዙርያኡ ዘለዉ ዅላቶም ዜሸብርን ኣምላኽ
እዩ። 8 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ ከማኻ ስልጡን መን እዩ፧ ዎ ጐይታይ፣ እምነትካውን ኣብ
ዙርያኻ ኣሎ። 9 ንትዕቢት ባሕሪ ትገዝኣ፣ ማዕበላቱ እንተ ተንስኤ፣ ንስኻ ተህድኦ። 10 ከም እተወግኤ
ጌርካ፣ ንረሃብ ቀጥቂጥካዮ፣ ብሓይሊ ቕልጽምካ ንጸላእትኻ በቲንካዮም ኢኻ። 11 ሰማያት ናትካ እዩ፣
ምድሪውን ናትካ እያ፣ ንዓለም ምስ ምልኣታ ሰሪትካያ። 12 ንሰሜንን ደቡብን ንስኻ ፈጢርካዮ፣ ታቦርን
ሄርሞንን ብስምካ እልል ይብላ። 13 ሓያል ቅልጽም ኣሎካ፣ ኢድካ ብርትዕቲ፣ የማነይትኻ ልዕልቲ እያ።
14 መሰረት ዝፋንካ ጽድቅን ቅንዕናን እዩ፣ ሳህልን ሓቅን ቀቅድሚ ገጽካ ይኸዳ አለዋ። 15 እቲ እልልታ
ዚፈልጥ ህዝቢ ብጹእ እዩ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ብብርሃን ገጽካ ይመላለሱ። 16 ብስምካ ምሉእ መዓልቲ
ይሕጐሱ፣ ብጽድቕኻውን ልዕል ይብሉ። 17 ክብሪ ሓይሎም ንስኻ ኢኻ እሞ፣ ብሞገስካ ቐርንና ልዕል
ኪብል እዩ። 18 ዋልታና ናይ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፣ ንጉስና ናይቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ እዩ። 19 በቲ
ዘመን እቲ ብራእይ ንቅዱሳንካ ኸምዚ ኢልካ ተዛረብካዮም፣ ረዲኤት አብ ልዕሊ ጅግና አንቢረ፣ ካብ
ህዝቢ ሓደ ሕሩይ ኣልዒለ። 20 ንዳዊት ባርያይ ረኺበዮ፣ ብቕዱስ ዘይተይ ቀቢኤዮ፣ 21 ኢደይ ኵሉ ጊዜ
ምስኡ ኽትከውን እያ፣ ቅልጽመይ ከኣ ኬበርትዖ እዩ። 22 ጸላኢ ኣይኪወድቆን፣ ዓማጺ ኸኣ ኣይኪጠቕዖን
እዩ። 23 ንጸላእቱ ድማ አብ ቅድሚኡ ኽቕጥቅጦም፣ ነቶም ዚጸልእዎውን ክወቕዖም እየ። 24 እምነተይን
ጸጋይን ድማ ምስኡ ኪኸውን፣ ብስመይውን ቀርኑ ልዕል ኪብል እዩ። 25 ኢዱ ድማ ኣብ ባሕሪ፣
የማነይቱውን ኣብ ርባታት ከንብር እየ። 26 ንሱ፣ ኣቦይ፣ ኣምላኸይ፣ ከውሒ ምድሓነይ ንስኻ ኢኻ፣ ኢሉ
ኺሰምየኒ እዩ።

27 ኣነውን በዅሪ፣ ካብ ነገስታት ምድሪ ልዕል ዝበለ ኽገብሮ እየ። 28 ሳህለይ ንዘለኣለም ክሕልወሉ እየ፣
ኪዳነይውን ኪጸንዓሉ እዩ። 29 ዘርኡ ድማ ንዘለኣለም፣ ዝፋኑውን ከም መዓልትታት ሰማይ ከንብር እየ።

30 ደቁ ሕገይ እንተ ሐደጉ፣ ከም ቅንዕናይ እንተ ዘይተመላለሱ፣ 31 ስርዓተይ እንተ ኣፍረሱ፣
ትእዛዛተይውን እንተ ዘይሐለዉ፣ 32 ሽው ንኣበሳኦም ብሽቦጥ፣ ንበደሎምውን ብመውቃዕቲ
ኽረኻኽበሎም እየ። 33 ጸጋይ ግና ኣየግድፎን፣ እምነተይውን ኣይጠልሞን። 34 ኪዳነይ ኣየፍርስን፣
ከናፍረይ እተዛረቦ ድማ ኣይልውጥን። 35 ሓንቲ ነገር ብቕድስናይ ምሒለ እየ፣ ንዳዊት ኣይሕሱን፣

36 ዘርኡ ንዘለኣለም፣ ዝፋኑውን ከም ጸሓይ ኣብ ቅድመይ ኪነብር እዩ። 37 ከም ወርሒ ንዘለኣለም
ይቕውም፣ ኣብ ደበና ዘሎ ምስክር ከኣ እሙን እዩ።

38 ንስኻ ግና ደርቢኻን ንዒቕካን፣ ንቕቡእካ ተቘጢዕካዮ።

39 ኪዳን ባርያኻ ኣፍሪስካ፣ ንዘውዱ ኣብ ምድሪ አርኪስካዮ። 40 ብዘሎ መካበብያኡ ኣፍረስካ፣ ዕርድታቱ
ኣዕኖኻ። 41 ኵሎም ሐለፍቲ መገዲ በዝቢዞምዎ፣ ንጐረባብቱ መላገጺኦም ኰይኑ። 42 ንየማነይቲ እቶም
መጻርርቱ ልዕል ኣቢልካያ፣ ንዅሎም ጸላእቱ አሐጒስካዮም። 43 እወ፣ ንስሕለት ሰይፉ መለስካዮ፣ ኣብ
ውግእውን ኣየጽናዕካዮን። 44 ንነጸብራቑ አጥፊእካዮ፣ ንዝፋኑውን ናብ ምድሪ ደርቢኻዮ። 45
መዓልትታት ንእስነቱ ኣሕጺርካዮ፣ ብነውሪ ኣጐልቢብካዮ ኣሎኻ። 46 ዎ እግዚኣብሄር፣ ፈጺምካ
እትኽወል፣ ነድርኻስ ከም ሓዊ ዚነድድ ክሳዕ መኣዝ እዩ፧ 47 ህይወተይ ክንደይ ሓጻር ምዃና፣ ኵሎም
ደቂ ሰብ ንኸንቱነት ከም ዝፈጠርካዮም ዘክር። 48 ሞት ከይረአየ ብህይወት ዚነብር፣ ንነፍሱስ ካብ ኢድ
ሲኦል ዜናግፍ ሰብ መን እዩ፧ 49 ጐይታየ፣ እቲ ብእምነትካ ንዳዊት ዝመሐልካሉ፣ ናይ ቀደም ጸጋኻ ኣበይ
ኣሎ፧ 50 ጐይታየ፣ ንጸርፊ ባሮትካ፣ ነቲ ኻብ ኵሎም ሓያላት ኣህዛብ ኣብ ልበይ ዝጾሮ ዘሎኹ ዘክር። 51
ጐይታየ፣ ጸላእትኻ ዚጸርፍዎ ጸርፊ፣ ነቲ ንኣሰር ቅቡእካ ዚጸርፍዎ ዘለዉ ዘክር። 52 እግዚኣብሄር
ንዘለኣለም ይባረኽ። ኣሜን፣ ኣሜን።

# ምዕራፍ 90

1 ጐይታየ፣ ካብ ወለዶ ንወለዶ መዕቈቢ ዀንካና። 2 ኣኽራን ከይተወልደ፣ ምድርን ዓለምን ከይፈጠርካ፣
ኤረ ንስኻስ ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ኣምላኽ ኢኻ። 3 ኣቱም ደቂ ሰብ፣ ተመለሱ፣ እናበልካ፣ ንሰብ ናብ
መሬት ትመልሶ ኣሎኻ። 4 ሽሕ ዓመት ኣብ ቅድሜኻ ኸም እዛ ትማሊ ዝሐለፈት መዓልትን ከም
ምንቃሕ ለይትን እየን እሞ፣ 5 ከም ብውሒዝ ትገፎም፣ ከም ትኽስታ እዮም፣ ከምቲ ብጊሓት ዚልምልም
ሳዕሪ፣ 6 ንግሆ ይዕምብብ ይልምልም ድማ፣ ኣጋ ምሸት ይዕጸድ እሞ ይነቅጽ። 7 ብዅራኻ ጠፊእና ኢና
እሞ፣ ብቑጥዓኻውን ሰምቢድና። 8 ንኣበሳና ኣብ ቅድሜኻ፣ ንሕቡእ ሓጢኣትናውን ኣብ ብርሃን ገጽካ
ተቐሚጦ ኣሎኻ። 9 ብዘሎ መዓልትታትና ብቑጥዓኻ ይሐልፍ፣ ዓመታትና ኸም እህህታ ነሕልፈን ኣሎና
እሞ፣ 10 መዓልትታት ዓመታትና ሰብዓ ዓመት፣ እንተ በዝሔ ኸኣ ሰማንያ ዓመት እዩ፣ ቀልጢፉ
ይሐልፍ፣ ነፊርናውን ንኸይድ ኢና እሞ፣ ክብረቱ ጻዕርን መከራን እዩ። 11 ከም ዚግባእ ምእንቲ
ኺፈርሃካ ኢሉስ፣ ንሓይሊ ኵራኻን ንቑጥዓኻን ዚሐስብከ መን እዩ፧ 12 ጥበበኛ ልቢ ምእንቲ
ኽንረክብሲ መዓልትታትና ኽንቈጽር ምሃረና። 13 ጐይታይ፣ ተመለስ፣ ክሳዕ መአዝ፧ ንባሮትካ ምሐሮም።
14 ኵለን መዓልትታትና ኽንሕጐስን ባህ ኪብለናንሲ፣ ንግሆ ጸጋኻ ኣጽግበና። 15 ብመጠን እተን
ዘጨነቕካና መዓልትታትን፣ ከፉእ ዝርኤናለን ዓመታትን አሐጒሰና። 16 ግብርታትካ ንባሮትካ፣
ክብርኻውን ንውሉዶም ግለጽ። 17 ጸጋ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣብ ልዕሌና ይኹን፣ ተግባር ኣእዳውና

ኣስልጠልና፣ እወ፣ ንተግባር ኣእዳውና ንስኻ ኣስልጦ።

## ምዕራፍ 91

1 ኣብ ጸግዒ እቲ ልዑል ዚሐድር፣ ኣብ ጽላል እቲ ኹሉ ዚኽእል ይነብር። 2 ንእግዚአብሄር፣ ጸግዔይን
ዕርደይን ዝውከሎ ኣምላኸይን እዩ፣ እብሎ ኣሎኹ። 3 ካብ መጻወድያ ሃዳናይ፣ ካብ ዜጥፍእ ፌራ
ኼናግፈካ እዩ እሞ፣ 4 ብግልግሌኡ ኼጒልብበካ፣ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፉ ኸኣ መጸግዒ ኽትረክብ ኢኻ፣
ሓቁ ዋልታን ጸግዕን እዩ። 5 ካብ ስምባድ ለይቲ፣ ካብቲ ብመዓልቲ ዚውርወር ፍላጻ፣ 6 ካብቲ ብጸልማት
ዚኸይድ ፌራ፣ ብቐትሪ ዜባድም ሕማም ኣይክትፈርህን ኢኻ። 7 ኣብ ጥቓኻ ሽሕ፣ ኣብ የማንካውን
እልፊ ኺወድቁ እዮም፣ ኣባኻ ግና ኣይኪበጽሑን እዮ። 8 በዒንትኻ ጥራይ ክትጥምቶ፣ ረሲኣን ዚረኽብዎ
መስጣውን ክትርኢ ኢኻ። 9 ጐይታይ፣ ንስኻ መዕቈብየይ ኢኻ፣ ኢልካ ኢኻ እሞ፣ ንልዑልሲ መጸግዒኻ
ስለ ዝገበርካዮ፣ 10 እከይ ዘበለ ኣይኪረኽበካን፣ ስቓይውን ኣብ ድንኳንካ ኣይኪቐርብን እዩ። 11 ኣብ ኵሉ
መገድኻ ኺሕልዉኻ፣ ንመላእኽቱ ኺእዝዘልካ እዩ እሞ፣ 12 እግርኻ ብእምኒ ኸይትዕንቀፍሲ፣ ኣብ ልዕሊ
ኣእዳዎም ኪጾሩኻ እዮም። 13 ኣብ ልዕሊ ኣንበሳን ተመንን ክትከይድ፣ ሸደን ኣንበሳን ገበልን ክትረግጽ
ኢኻ። 14 ኣጥቢቑ ስለ ዘፍቀረኒ፣ ከናግፎ፣ ንስመይ ስለ ዝፈለጠ፣ ከልዕሎ እየ። 15 ኪጽውዓኒ ኣነውን
ክመልሰሉ፣ ብጸበባ ምስኡ ክኸውን፣ ከናግፎን ከኽብሮን እየ። 16 ነዊሕ ዕድመ ኸጽግቦ፣ ምድሓነውይን
ከርእዮ እየ።

## ምዕራፍ 92

1-3 ኣታ ልዑል፣ ንግሆ ሳህልኻ፣ ለይቲውን እምነትካ ምውራይ፣ ዓሰርተ ኣውታር ብዘለዎ በገናን
ብጭራን ብምውቃዕ መሰንቆን ንእግዚኣብሄር ምምስጋን፣ ንስምካ ምዝማር ሰናይ እዩ። 4 ዎ
እግዚኣብሄር፣ ብግብርታትካ ኣሐጒስካኒ ኢኻ እሞ፣ ብዛዕባ ተግባር ኣእዳውካ እልል ክብል እየ። 5 ዎ
ጐይታይ፣ ግብርኻ ኸመይ ዓብዩ እዩ፣ ሓሳብካ ኣዝዩ ዓሚቝ እዩ። 6 ዳንደ ኣይፈልጦን፣ ዓሻውን
ኣየስተውዕሎን እዩ። 7 ረሲኣን ከም ሳዕሪ እንተ ለምለሙ፣ ኵሎም ገበርቲ እከይውን እንተ ዐምበቡ፣
ንሓዋሩ ምእንቲ ኺጠፍኡ እዩ።

8 ጐይታየ፣ ንስኻ ግና ንዘለኣለም ልዑል ኢኻ። 9 ጐይታየ፣ እንሆ ጸላእትኻ፣ እነዉ ጸላእትኻ ይጠፍኡ
ኣለዉ እሞ፣ ኵሎም ገበርቲ እከይ ኪብተኑ እዮም። 10 ግናኸ ንቐርነይ ከም ናይ ጎባይ ኣልዐልካዮ፣
ብሓድሽ ዘይቲ ተቐባእኩ። 11 ዓይነይ ድማ ነቶም ተጻረርተይ ባህ ኢልዋ ትምልከቶም፣ ኣእዛነይውን
ብናይቶም ዚትንስኡኒ ኽፉኣት ተሐጒሰን ይሰምዓ። 12 ጻድቕ ከም ስየ ይልምልም፣ ከም ጽሕዲ ሊባኖስ
ይዓቢ።

13 እቶም ኣብ ቤት እግዚኣብሄር እተተኽሉ ኣብ ኣጸድ ኣምላኽና ይልምዑ። 14-15 እግዚኣብሄር ጻድቕ
ምዃኑ ምእንቲ ኺውርዩስ፣ ብእርግናኦም ድማ ይፈርዩ፣ ይውረዩን ይልምዑን። እግዚኣብሄር ከውሔይ
እዩ፣ ኣብኡውን ዓመጻ የልቦን።

## ምዕራፍ 93

1 እግዚኣብሄር ነጊሱ፣ ግርማ ለቢሱ፣ እግዚኣብሄር ለቢሱ፣ ሓይሊ ተዐጢቑ ኣሎ፣ ዓለም ከይትናወጽሲ፣
ኣጽኒዕዋ ኣሎ። 2 ዝፋንካ ኻብ ጥንቲ ጽኑዕ እዩ፣ ንስኻ ኻብ ዘለኣለም ኢኻ። 3 ጐይታየ፣ ወሓይዝ
ኣልዒሉ፣ ወሓይዝ ድምጾም ኣልዒሉ፣ ወሓይዝ ህማሞም ኣልዒሉ። 4 ካብ ድምጺ ብዙሕ ማያት፣ ካብ
ስልጡን ማዕበላት ባሕሪ፣ እግዚኣብሄር ኣብ ላዕሊ ይስልጥን። 5 ምስክራትካ ኣዝዩ እሙን እዩ፣ ጐይታየ፣
ንቤትካስ ንዘለኣለም ቅድስና ይግባእ።

# ምዕራፍ 94

1 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሕነ፣ ኣታ ኣምላኽ ሕነ፣ ኣንጸባርቕ። 2 ኣታ ፈራድ ምድሪ፣ ተንስእ፣ ንዕቡያት
ከም ግብሮም ፍደዮም። 3 ክሳዕ መኣዝ እቶም ረሲኣን፣ ጐይታየ፣ ክሳዕ መኣዝ ረሲኣን ኪዕወቱ እዮም፧ 4
ዘረባ ድርቕና የፈልፍሉ፣ ኵሎም ገበርቲ እከይ ይጀህሩ ኣለዉ። 5 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንህዝብኻ
ይቕጥቅጥዎ፣ ንርስትኻውን የጨንቕዎ ኣለዉ። 6 ንመበለትን ስደተኛን ይቐትሉ፣ ንዘኽታማት ከኣ
ይሐርዱ እዮም እሞ፣ 7 እግዚኣብሄር ኣይርእዮን፣ ኣምላኽ ያእቆብ ኣየስተብህሎን እዩ፣ ይብሉ ኣለዉ። 8
ኣቱም ዳንዴታት ህዝቢ፣ ኣስተውዕሉ፣ ኣቱም ዓያሱ፣ መኣዝ ኢኹም እትልብሙ፧ 9 እዝኒ ዝተኸለስ
ኣይሰምዕንዶ፧ ዓይኒ ዝፈጠረስ ኣይርእይንዶ እዩ፧ 10 ነህዛብ ዚቐጽዕ፣ ፍልጠት ንሰብ ዚምህር
ኣይግስጽንዶ እዩ፧

11 እግዚኣብሄር ንሓሳባት ሰብ ከንቱ ምዃኑ ይፈልጦ እዩ። 12-13 ዎ እግዚኣብሄር፣ ጐድጓድ ንረሲእ ክሳዕ
ዚኰዐት፣ እቲ ኻብ መዓልቲ መከራ ኸተህድኦ ኢልካ፣ እትቐጽዖን ብሕግኻ እትምህሮን ሰብ ብጹእ እዩ።
14 እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኣይኪድርብዮን፣ ንርስቱ ኸኣ ኣይኪሐድጎን እዩ። 15 ፍርዲ ኣብ ጽድቂ ኺምለስ
እዩ እሞ፣ ኵሎም ቅኑዓት ልቢ ኺስዕብዎ እዮም። 16 ኣብቶም ገበርቲ ኽፉእ መን ይትንስኣለይ፧ ኣብቶም
ዓመጸኛታትከ መን ይቘመለይ፧ 17 እግዚኣብሄር ረዲኤተይ ነይሩ እንተ ዘይከውንሲ፣ ነፍሰይ ኣብ ስቕታ
ንምሕዳር ምቐረበት ነይራ።

18 ጐይታየ፣ እግረይ ኣንደልሀጸ ምስ በልኩ፣ ጸጋኻ ደገፈኒ። 19 ጓሂ ልበይ ኣብ ውሽጠይ ምስ በዝሔ፣
ምጽንናዕካ ንነፍሰይ ኣሐጐሳ። 20 ከም ሕጊ ኢና፣ እናበሉ ዓመጽ ዚገብሩሉ መንበር ጥፍኣትዶ ምሳኻ
ሕብረት ኣለዎ እዩ፧ 21 ንነፍሲ ጻድቕ ሐቢሮም ይወድቅዋ፣ ንንጹህ ደም ድማ ይኹንንዎ ኣለዉ። 22
እግዚኣብሄር ግና በረኽ መጸግዕየይ፣ ኣምላኸይ ድማ ከውሒ መዕቈብየይ እዩ። 23 ዓገቦም ኣብ ርእሶም
ይመልስ፣ ብእከዮም ከኣ ኬጥፍኦም እዩ። እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኼጥፍኦም እዩ።

# ምዕራፍ 95

1 ንዑ፣ ንእግዚኣብሄር ብሓጐስ ንዘምር፣ ንኸውሒ ምድሓንና እልል ንበለሉ፣ 2 ብምስጋና ኣብ ቅድሚኡ
ንብጻሕ፣ ብመዝሙር እልል ንበለሉ፣ 3 እግዚኣብሄር ዓብዪ ኣምላኽ፣ ኣብ ልዕሊ ዅሎም ኣማልኽቲ ድማ
ዓብዪ ንጉስ እዩ እሞ፣ 4 መዓሙቚ ምድሪ ኣብ ኢዱ፣ ምብራኽ ኣኽራን ከኣ ናቱ እዩ። 5 ባሕሪ ናቱ እዩ፣
ንሱ ፈጠሮ፣ ንንቑጽ ምድሪውን ኣእዳዉ ገበራኦ። 6 ንዑ፣ ፍግም ኢልና ንስገድ፣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር፣ ፈጣሪና፣ ንንበርከኽ። 7 ንሱ ኣምላኽና እዩ፣ ንሕና ድማ ህዝቢ መጓሴኡ፣ ኢዱ
እትኸብክበን ኣባጊዑ ኢና እሞ፣ ሎሚ ድምጹ እንተ ሰምዕኩም፣ 8-9 ከም ኣብ መሪባ፣ ከምቲ ብመዓልቲ

ማሳ ኣብ በረኻ፣ ኣቦታትኩም ኪፍትኑኒ፣ ኪዕዘቡኒ ኸለዉ፣ ግብረይ ዝረኣዩ ኼንኩም፣ ልብኹም ኣይተትርሩ። [10] በቲ ወለዶ እቲ ኣርብዓ ዓመት ተመነወኒ፣ መገደይ ዘይፈለጡ፣ ብልቦም እተጋገዩ ህዝቢ እዮም፣ በልኩ።

[11] ስለዚ፣ ኣብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም፣ ኢለ ብኹራይ መሐልኩ።

## ምዕራፍ 96

[1] ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መዝሙር ዘምሩ፣ ኵልኺ ምድሪ፣ ንእግዚኣብሄር ዘምሪ። [2] ንእግዚኣብሄር ዘምሩ፣ ንስሙ ባርኹ፣ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ምድሓኑ ኣበስሩ። [3] ክብሩ ኣብ ማእከል ኣህዛብ፣ ተኣምራቱ ኣብ ማእከል ኵሎም ህዝብታት ኣዘንትዉ። [4] እግዚኣብሄር ዓብዪ፣ ምስጋናኡ ኸኣ ኣዝዩ ብዙሕ እዩ እሞ፣ ካብ ኵሎም ኣማልኽቲ ዜፍርሀ እዩ። [5] ኵሎም ኣማልኽቲ ኣህዛብ ከንቱ እዮም፣ እግዚኣብሄር ግና ሰማያት ገበረ። [6] ግርማን ክብረትን ኣብ ቅድሚኡ፣ ሓይልን ጽባቐን ኣብ መቕደሱ እዩ። [7] ኣቱም ዓሌታት ኣህዛብ፣ ንእግዚኣብሄር ሀቡ፣ ክብርን ሓይልን ንእግዚኣብሄር ሀብዎ። [8] ንእግዚኣብሄር ክብሪ ስሙ ሀቡ፣ መስዋእቲ ሒዝኩም ናብ ኣጸዱ እተዉ። [9] ንእግዚኣብሄር ብቕዱስ ክብረት ስገዱ፣ ኵልኺ ምድሪ፣ ኣብ ቅድሚኡ ኣንቀጥቅጢ። [10] ኣብ ማእከል ኣህዛብ፣ እግዚኣብሄር ነጊሱ፣ ዓለምውን ከይትናቓነቕ ጸኒዓ ኣላ፣ ነህዛብ ብቕንዕና ኺፈርዶም እዩ፣ ኢልኩም ንገሩ። [11] ሰማያት ይተሐጎሱ፣ ምድሪውን ባህ ይበላ፣ ባሕርን ምልኣቱን ይናወጽ። [12-13] ይመጽእ፣ ንምድሪ ኺፈርድ ይመጽእ፣ ንዓለም ብጽድቂ፣ ነህዛብ ብሓቂ ኺፈርድ እዩ እሞ፣ መሮርን ኣብኡ ዘሎ ኹሉን ባህ ይበሎም፣ ሽዑ ኹላቶም ኣእዋም ዱር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እልል ኪብሉ እዮም።

## ምዕራፍ 97

[1] እግዚኣብሄር ነጊሱ፣ ምድሪ ትተሐጎስ፣ እቶም ብዙሓት ደሴታት ባህ ይበሎም። [2] ደበናን ጸልማትን ይኸብዎ፣ ጽድቅን ፍርድን መሰረት ዝፋኑ እዩ። [3] ሓዊ ቐቅድሚኡ ይኸይድ፣ ንጸላእቱ ኣብ ዙርያኡ የንድዶም። [4] መባርቑ ንዓለም ኣብርሄ፣ ምድሪ ርእያቶ ኣንቀጥቀጠት። [5] ኣኽራን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ጐይታ ኹሉ ምድሪ ኸም ሰምዒ መኸኹ። [6] ሰማያት ንጽድቁ ኣውረዩ፣ ኵሎም ኣህዛብ ድማ ክብሩ ረኣዩ። [7] ንምስልታት ዚሰግዱን ብጣኣታት ዚምክሑን ኵሎም ይሕፈሩ። ኵሉኹም ኣማልኽቲ፣ ኣብ ቅድሚኡ ፍግም በሉ። [8-9] ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ኣብ ልዕሊ ኹሉ ምድሪ ልዑል ኢኻ፣ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣማልኽቲ ኣዚኻ ልዑል ኢኻ እሞ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ጽዮን ሰሚዓ ተሐጎሰት፣ ኣዋልድ ይሁዳውን ብዛዕባ ፍርድኻ እልል በላ። [10] ኣቱም ንእግዚኣብሄር እተፍቅርዎ፣ እከይ ጽልኡ፣ ነፍሲ ቕዱሳኑ ይሕሉ፣ ካብ ኢድ ረሲኣን የናግፎም።

[11] ብርሃን ንጻድቃን፣ ደስታ ኸኣ ንቕኑዓት ልቢ ተዘርኤ። [12] ኣቱም ጻድቃን፣ ብእግዚኣብሄር ተሐጐሱ፣ ንቕዱስ ስሙውን ኣመስግንዎ።

## ምዕራፍ 98

[1] እግዚኣብሄር ተኣምራት ገይሩ፣ የማነይቱን እቲ ቅዱስ ቅልጽሙን ስዒሮም እዮም እሞ፣ ሓድሽ

መዝሙር ዘምሩሉ። 2 እግዚኣብሄር ምድሓኑ ኣፍለጠ፣ ጽድቁ ኣብ ቅድሚ ኣህዛብ ገለጸ። 3 ሳህሉን
እምነቱን ንቤት እስራኤል ዘከረ፣ ኵሉ ወሰናት ምድሪ ንምድሓን ኣምላኽና ረአየ። 4 ኣቲ ምድሪ ኹልኺ፣
ንእግዚኣብሄር እልል በሊ። ብሓጐስ ጨድሩን ኣመስግኑን። 5 ንእግዚኣብሄር ብመሰንቆ፣ እወ፣
ብመሰንቆን ብደሃይ በገናን ኣመስግንዎ። 6 ኣብ ቅድሚ ንጉስ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር፣ ብእምብልታን
ቃና መለኸትን እልል በሉ።

7 ባሕርን ምልኣቱን፣ ዓለምን ኣብኣ ዘሎን የድህዩ። 8-9 ንምድሪ ኺፈርድ ይመጽእ፣ ንሱ ንዓለም ብጽድቂ፣
ነህዛብውን ብቕንዕና ኺፈርዶም እዩ እሞ፣ ወሓይዝ ኣእዳዎም የጣቕዑ፣ ኣኽራን ሐቢሮም ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ብሓጐስ ይዘምሩ።

## ምዕራፍ 99

1 እግዚኣብሄር ነጊሱ፣ ኣህዛብ ይርዐዱ፣ ኣብ ልዕሊ ኪሩቤል ተቐሚጡ፣ ምድሪ ተንቀጥቅጥ። 2
እግዚኣብሄር ኣብ ጽዮን ዓብዪ እዩ፣ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ልዑል እዩ።

3 ቅዱስ እዩ እሞ፣ ነቲ ዓብይን ዜፍርህን ስምካ የመስግንዎ። 4 ሓይሊ ንጉስ ድማ ፍርዲ ይፈቱ እዩ፣
ንስኻ ቕንዕና ኣጽናዕካ፣ ፍርድን ጽድቅን ኣብ ቤት ያእቆብ ገበርካ። 5 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ልዕል
ኣብልዎ፣ ቅዱስ እዩ እሞ፣ ኣብ ድኳ እግሩ ስገዱ። 6 ሙሴን ኣሮንን ኣብ ማእከል ካህናቱ፣ ሳሙኤል ከኣ
ኣብ ማእከል እቶም ስሙ ዚጽውዑ ናብ እግዚኣብሄር ተማህለሉ፣ ንሱውን መለሰሎም። 7 ብዓንዲ ደበና
ተዛረቦም፣ ንምስክራቱን ነቲ ዝሀቦም ሕግን ሐለዉ። 8 እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንስኻ መለስካሎም፣ ይቕረ
እትብል ኣምላኽ ኰንካዮም፣ ግናኸ ስለ ኽፉእ ግብሮም ሕነ ፈዴኻዮም። 9 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና
ልዕል ኣብልዎ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ቅዱስ እዩ እሞ፣ ኣብ ቅዱስ ከረኑውን ስገዱ።

## ምዕራፍ 100

1 ኵልኺ ምድሪ፣ ንእግዚኣብሄር እልል በልሉ። 2 ንእግዚኣብሄር ብሓጐስ ተገዝእዎ፣ ኣብ ቅድሚኡ
ብእልልታ ምጹ። 3 እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ ምዃኑ ፍለጡ፣ ንሱ ገበረና፣ ባዕላትና ኣይኰንናን፣ ንሕናስ
ህዝቡን ኣባጊዕ መጓሴኡን ኢና። 4 ኣብ ደጌታቱ ብምስጋና፣ ኣብ ኣጸዱውን ብውዳሴ እተዉ፣ ኣመስግንዎ
ንስሙ ኸኣ ባርኹ። 5 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፣ ጸጋኡ ንዘለኣለም፣ እምነቱ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ
ይነብር።

## ምዕራፍ 101

1 ብዛዕባ ጸጋን ፍርድን ክዝምር፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ምስጋና ኽዝምረልካ እየ። 2 ብፍጽምቲ መገዲ
እጣበብ ኣሎኹ፣ መኣዝ ክትመጸኒ ኢኻ፣ ኣብ ውሽጢ ቤተይ ብፍጹም ልበይ እመላለስ ኣሎኹ። 3 ኣብ
ቅድሚ ዓይነይ ገለ ነውሪ ኣየንብርን፣ ንግብሪ ብልያል እጸልኦ ኣሎኹ፣ ኣይኪጠብቀንን እዩ። 4 ቈናን ልቢ
ኻባይ ይርሓቕ፣ ንኽፉእ ከፈልጦ ኣይደልን። 5 ነቲ ንብጻዩ ብሕቡእ ዚሐሚ ኤጥፍኦ፣ ነቲ ዕቡይ ዓይንን
ኵሩዕ ልብን ዘለዎ ኣይዕገሶን እየ። 6 ምሳይ ኪነብሩስ፣ ኣዒንተይ ኣብቶም ናይ ሃገር እሙናት እየን፣ እቲ

ብፍጽምቲ መገዲ ዚመላለስ ኬገልግለኒ እዩ። [7] ተንኰል ዚገብር ኣብ ውሽጢ ቤተይ ኣይነብርን፣ ሓሶት
ዚዛረብ ኣብ ቅድሚ ኣዒንተይ ኣይጸንዕን እዩ። [8] ንዓመጸኛታት ካብ ከተማ እግዚኣብሄር ከጽንትሲ፣
ንዅሎም ረሲኣን ምድሪ ንግሆ ንግሆ ኽጥፍኦም እየ።

## ምዕራፍ 102

[1] ጐይታየ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ ኣውያተይውን ኣባኻ ይብጻሕ። [2] ብመዓልቲ ጸበባይ ገጽካ ኣይትኽውለለይ፣
እዝንኻ ኣድንነለይ፣ በታ ዘእውየላ መዓልቲ ቐልጢፍካ ምለሰለይ። [3] መዓልትታተይ ከም ትኪ ይበና
ኣለዋ እሞ፣ ኣዕጽምተይ ከኣ ከም እያድ ይነድድ ኣሎ። [4] ምብላዕ እንጌራይ ረሲዔዮ እየ እሞ፣ ልበይ ከም
ሳዕሪ ጸምለወን ነቒጸን።

[5] ካብ ድምጺ ገዓረይ እተላዕለ ኣዕጽምተይ ኣብ ስጋይ ተጣበቓ። [6] ኣባ ጕምባሕ በረኻ መሰልኩ፣ ከም
ጕንጓ ዑናታት ኰንኩ።

[7] ተጋህኩ፣ ከምቲ ኣብ ናሕሲ በይኑ ዘሎ ዑፍ ከኣ እየ። [8] ምሉእ መዓልቲ ጸላእተይ የላግጹለይ፣
ተጻረርተይ ብስመይ ይረግሙ ኣለዉ። [9] ንሓመኹስቲ ኸም እንጌራ እበልዖ ኣሎኹ እሞ፣ ንመስተይ ምስ
ንብዓት እሕውሶ ኣሎኹ።

[10] ብምኽንያት ኵራኻን ቍጥዓኻን ኣልዒልካ ደርቢኻኒ ኢኻ እሞ፣ [11] መዓልትታተይ ከም ዚነውሕ
ጽላሎት እየን፣ ኣነውን ከም ሳዕሪ እነቕጽ ኣሎኹ። [12] ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ግና ንዘለኣለም ትነብር፣
መዘከርታኻውን ንውሉድ ወለዶ እዩ። [13-14] ጊዜ ምሕረታ እዩ፣ እቲ ምዱብ ጊዜ በጺሑ፣ ባሮትካ ነእማና
ኣፍቂሮም፣ ብሓመዳ ኸኣ ጕህዮም እዮም እሞ፣ ክትትንስእ ንጽዮንውን ክትርሕርሓላ ኢኻ። [15] ኣህዛብ
ከኣ ንስም እግዚኣብሄር፣ ኵሎም ነገስታት ምድሪ ድማ ንኽብርኻ ኺፈርሁ እዮም። [16] እግዚኣብሄር
ንጽዮን ኪሀንጻ፣ ብኽብሩ ኺግለጽ እዩ። [17] ኣብ ጸሎት ሽጉራት ኬቕልብ፣ ንጸሎቶምውን ኣይኪንዕቕን
እዩ እሞ፣ [18] እዚ ነቲ ዚመጽእ ወለዶ ኺጽሓፍ፣ እቲ ዚፍጠር ህዝቢውን ንእግዚኣብሄር ኬመስግኖ እዩ።
[19-22] ኵሎም ኣህዛብን መንግስትታትን ኣብ ጽዮን ንስም እግዚኣብሄር ኣብ የሩሳሌም ድማ ንምስጋናኡ
ኺነግሩ ኢሎም፣ ንእግዚኣብሄር ኬገልግልዎ ምስ ተኣከቡ፣ እግዚኣብሄር ንብኽያት እሱራት ኪሰምዕ፣
ነቶም ንሞት እተመደቡ ምእንቲ ኺፈትሖም ካብ ልዕልና መቕደሱ ረአየ፣ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ
ኣንቈልቍሉ ጠመተ። [23] ንሓይለይ ኣብ መገዲ ኣድከሞ፣ ንመዓልትታተይ ኣሕጸረን። [24] ኣምላኸየ፣ ኣብ
ፍርቂ መዓልትታተይ ኣይትውሰደኒ፣ በልኩ። ዓመታትካ ንውሉድ ወለዶ እዩ። [25] ካብ ጥንቲ ንምድሪ
ሰረትካያ፣ ሰማያት ከኣ ግብሪ ኣእዳውካ እዮም። [26] ንሳቶም ኪጠፍኡ እዮም፣ ንስኻ ግና ትነብር፣ ኵላቶም
ከም ክዳን ኪበልዩ እዮም፣ ከም ልብሲ ኽትልውጦም ኢኻ፣ ኪልወጡውን እዮም። [27] ንስኻ ግና ከም
ቀደምካ ኢኻ፣ ዓመታትካውን ከቶ ኣይውዳእን። [28] ውሉድ ባሮትካ ኺነብሩ ዘርኦም ከኣ ኣብ ቅድሜኻ
ኺጸንዕ እዩ።

## ምዕራፍ 103

[1] ነፍሰይ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ ዅሉውን ንቕዱስ ስሙ ይባርኽ። [2] ነፍሰይ፣
ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ነቲ እተገብረልኪ ሰናይ ኵሉ ኸኣ ኣይትረስዒ፣ [3] ንሱ ንዅሉ ኣበሳኺ ዚሕድገልኪ፣

ንኹሉ ሕማምኪ ዚፍውስ፣ 4 ንህይወትኪ ኻብ ጥፍኣት ዚብጀዋ፣ ብሳህልን ምሕረትን ዚኽልለኪ፣ 5
ንድሌትኪ ብጽቡቕ ነገር ዜጽግብ እዩ፣ ንእስነትኪውን ከም ንስሪ ትሕደስ።

6 እግዚኣብሄርሲ ንኹሎም ጥቑዓት ጽድቅን ፍትሕን ይገብር እዩ። 7 መገድታቱ ንሙሴ፣ ግብርታቱ ንደቂ
እስራኤል ኣፍለጠ። 8 እግዚኣብሄር ርሕሩሕን መሓርን እዩ፣ ንኹራ ደንጓዪ፣ ብሳህሊ ድማ ምሉእ እዩ። 9
ኩሉ ጊዜ ኣይገንሕን፣ ንዘለኣለም ከኣ ኣይቅየምን እዩ። 10 ከም መጠን ሓጢኣትና ኣይገብረናን፣ ከም
መጠን ኣበሳና ድማ ኣይፈድየናን እዩ። 11 ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ከም ዚብል፣ ከምኡ ምሕረቱ ናብቶም
ዚፈርህዎ ይስልጥን። 12 ምብራቕ ካብ ምዕራብ ከም ዚርሕቕ፣ ከምኡ ንኣበሳና ኻባና ኣርሓቖ። 13 ከምቲ
ወላዲ ንውሉዱ ዚርሕርሓሎም፣ ከምኡ እግዚኣብሄር ንዚፈርህዎ ይርሕርሓሎም እዩ። 14 ፍጥረትና
ይፈልጥ እዩ እሞ፣ ሓመድ ምዃንና ይዝክር እዩ። 15 ሰብሲ መዓልትታቱ ኸም ሳዕሪ እዩ፣ ከም ዕምባባ
መሮር ይዕምብብ። 16 ንፋስ ኣብ ልዕሊኡ ይሐልፍ እሞ፣ ከቶ ኣይትርከብን እያ፣ ቦታኣውን ኣይፈልጣን
እዩ።

17 ምሕረት እግዚኣብሄር ግና ኣብቶም ዚፈርህዎ ኻብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ትነብር። 18 ጽድቁ ኸኣ ነቶም
ኪዳኑ ዚሕልዉ፣ ንትእዛዛቱ ምእንቲ ኺገብርዎ ዚዝክርዎ ንውሉድ ወለዶ እዩ። 19 እግዚኣብሄር ንዝፋኑ
ኣብ ሰማይ ኣቘመ፣ መንግስቱውን ኣብ ልዕሊ ኹሉ ትገዝእ ኣላ። 20 ኣቱም መላእኽቱ፣ ንድምጺ ቓሉ
እትእዘዙ፣ ንቓሉ እትፍጽሙ ሓያላትን ስልጡናትን፣ ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ። 21 ኣቱም ሰራዊቱ
ኹሉኹም፣ ኣቱም ንፍቓዱ እትፍጽምዎ ኣገልገልቱ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ። 22 ኩሉ ግብርታቱ ኣብ ኩሉ
ስፍራ ግዝኣቱ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኹ። ነፍሰየ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ።

## ምዕራፍ 104

1 ነፍሰይ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኺ፣ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ንስኻ ኣዚኻ ዓብዩ ኢኻ፣ ግርማን ክብርን
ለቢስካ። 2 ንብርሃን ከም ልብሲ ለቢስካዮ፣ ንሰማያት ከም መጋረጃ ዘርጊሕካዮ፣ 3 ንርሻንካ ኣብ ማያት
ሀነጽካዮ፣ ንደበናስ ሰረገላኻ ገበርካ፣ ኣብ ኣኽናፍ ንፋስ ኴንካ ኸድካ። 4 ንንፋሳት ልኡኻትካ፣ ንሃልሃልታ
ሓዊ ኣገልገልትኻ ገበርካዮም። 5 ንዘለኣለም ከይትናወጽሲ፣ ንምድሪ ኣብ መሰረታ ኣጽንዓ። 6 ከም
ብልብሲ ብመዓሙቕ ኣልበስካያ፣ ማያት ኣብ ልዕሊ ኣኽራን ቈሙ። 7 ብመግናሕትኻ ሀደሙ፣ ብድምጺ
ነጐድጓድካ ቐልጢፎም ከዱ። 8 ኣብቲ ዝመደብካሎም ቦታ ኣኽራን ልዕል በሉ፣ ለሴታትውን ለጠቕ
በሉ። 9 ተመሊሶም ንምድሪ ኸይከድንዋስ፣ ዘይሐልፍዎ ደረት ወሰንካሎም። 10 ኣብ ሽንጭሮታት ዓይኒ
ማያት ኣንታዕካ፣ ኣብ መንጎ ኣኽራን ይውሕዛ። 11 ንኹሉ እንስሳ መሮር የስትያኦ፣ ኣእዱግ በረኻ
ይረውዩለን። 12 ኣዕዋፍ ሰማይ ኣብ ጥቓኤን ይነብራ፣ ካብ ማእከል ጨናፍር ከኣ ድምጸን የስምዓ። 13
ነኽራን ካብ ርሻናትካ ተስትዮ፣ ምድሪ ብፍረ ተግባርካ ትጸግብ። 14-15 ወይኒ ንልቢ ሰብ ኬሐጕሶ፣ ዘይቲ
ንገጹ ኼብርሆ፣ እንጌራውን ንልቢ ሰብ ኬጽንዖስ፣ ካብ ምድሪ ምግቢ ምእንቲ ኼውጽእ፣ ንእንስሳስ
ሳዕሪ፣ ንጥቕሚ ሰብ ከኣ ተኽሊ ኣብቍልካ።

16 ኣእዋም እግዚኣብሄርን እተን ዝተኸልካየን ጽሕድታት ሊባኖስን ጸገባ። 17 ኣዕዋፍ ኣብኡ እንዳኤን
ይሰርሓ፣ ጽሕድታት ንራዛ ማሕደሪኡ እየን። 18 ነዋሕቲ ኣኽራን ንሰሰውሕ፣ ኣኻውሕ ድማ መዕቈቢ
ጊሔታት እዩ። 19 ወርሒ ንመመደብ ግዝያት ገበረ፣ ጸሓይ ንምዕራባ ትፈልጥ። 20 ጸልማት ትገብር፣
ለይቲውን ይኸውን፣ ብእኡ ኹሎም እንስሳ ዱር ይዛወሩ። 21 ሽደናት ኣንበሳ ንምዝራፍ ይጓዝሙ፣

ቀለቦም ከኣ ካብ ኣምላኽ ይደልዩ። 22 ጸሓይ ትበርቕ፣ ይምለሱ፣ ኣብ ጉድጓዶም ድማ ይድቅሱ።

23 ሰብ ናብ ተግባሩን ናብ ዕዮኡን ክሳዕ ምሸት ይወጽእ። 24 ዎ እግዚኣብሄር፣ ግብርታትካስ ክንደይ
ብዙሕ እዩ፣ ንኹሉ ብጥበብ ገበርካዮ፣ ምድሪ ብሃብትኻ መሊኣ ኣላ። 25 እታ ዓባይን ገፋሕን ባሕሪ
እዚኣ እያ፣ ቍጽሪ ዜብሎም ዓበይትን ናእሽቱን እንስሳ ኣብኣ ይዋሳወሱ ኣለዉ። 26 ኣብኣ መራኽብ
ይኸዳ፣ እቲ ዝፈጠርካዮ ሌዋታን ኣብኣ ይጻወት። 27 እዚኣቶም ኵሎም ምግቦም በብጊዜኡ ኽትህቦምሲ፣
ንኣኻ ይጽበዩ ኣለዉ። 28 ንስኻ ትህቦም፣ ይእክቡ። ንስኻ ኢድካ ትዝርግሕ፣ ብጸጋውን ይጸግቡ ኣለዉ።
29 ንስኻ ገጽካ ትኸውል፣ ይስምብዱ፣ ትንፋሶም ተውጽእ፣ ይሞቱ፣ ኣብ መሬቶምውን ይምለሱ። 30
ትንፋስካ ትልእኽ፣ ይፍጠሩ፣ ንገጽ ምድሪውን ትሕድሳ። 31 ክብሪ እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ይንበር፣
እግዚኣብሄር ብተግባሩ ይተሐጐስ። 32 ኣብ ምድሪ ይጥምት፣ ንሳ ኸኣ ተንቀጥቅጥ፣ ነኽራን ይትንክዮም
እሞ ይተኩ። 33 ብህይወተይ ከሎኹ፣ ንእግዚኣብሄር እዝምር፣ ክሳዕ ዘሎኹ ንኣምላኸይ ኤመስግን። 34
ቃላተይ ባህ የብሎ፣ ብእግዚኣብሄር እሕጐስ እየ። 35 ሓጥኣን ካብ ምድሪ ይጥፍኡ፣ ረሲኣንውን ደጊም
ኣይሀልዉ፣ ነፍሰየ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኽዮ ሃሌሉያ።

# ምዕራፍ 105

1 ንእግዚኣብሄር ኣመስግንዎ፣ ስሙ ጸውዑ፣ ግብርታቱ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣውርዩ። 2 ዘምሩሉ፣
ኣመስግንዎ፣ ብዛዕባ ኹሉ ተኣምራቱ ተዛረቡ። 3 ብቅዱስ ስሙ ኽብሩ፣ ልቢ እቶም ንእግዚኣብሄር
ዚደልይዎ ይተሐጐስ። 4 እግዚኣብሄርን ሓይሉን ድለዩ። ኣዘውቲርኩም ገጹ ድለዩ። 5-6 ኣቱም ዘርኢ
ኣብርሃም፣ እቲ ባርያኡ፣ ኣቱም ውሉድ ያእቆብ፣ ሕሩያቱ፣ ዝገበሮ መስትንክር ግብርታቱን ተኣምራቱን
ፍርዲ ኣፉን ዘክሩ። 7 ንሱ እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ፣ ፍርዱ ኣብ ኵሉ ምድሪ እዩ። 8-9 ነቲ ምስ
ኣብርሃም ዝኣተዎ ኺዳኑ፣ ንይስሃቅውን ዝመሐለሉ ማሕላ፣ ነቲ ንሸሕ ወለዶ ዝኣዘዞ ቓል ንዘለኣለም
ዘኪሩስ፣ 10-11 ምድሪ ከነኣን፣ ዕድሎት ርስትኹም ክትከውን፣ ክህበካ እየ፣ ኢሉ ንያእቆብ ከም ሕጊ፣
ንእስራኤል ከኣ ከም ናይ ዘለኣለም ኪዳን ገይሩ ኣቘሞ። 12 ብቑጽሪ ሒደት፣ ኣዝዮም ሒደት፣ ኣብኣውን
ስደተኛታት ከለዉ፣ 13 ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ፣ ካብ መንግስቲውን ናብ ካልእ ህዝቢ ኺሐልፉ ኸለዉስ፣
14-15 ንሱ ሰብ ኪጠቕዖም ኣይሐደገን፣ ንቕቡኣተይ ኣይትተንክይዎም፣ ነብያተይ ድማ ክፉእ
ኣይትግበርዎም፣ ኢሉ ምእንትኦም ንነገስታት ገሰጾም። 16 ጥሜት ናብ ሃገር ጸውዔ፣ ኵሉ ምርኩስ እንጌራ
ሰበረ። 17 ቀቅድሚኦም ሰብኣይ ለኣኸ፣ዮሴፍ ከም ባርያ ተሸጠ። 18 ነእጋሩ ብመቑሕ ሳቐዩ፣ ነፍሱ ኣብ
ሓጺን ኣተወት። 19 ቃሉ ኽሳዕ ዚፍጸም፣ ቃል እግዚኣብሄር ክሳዕ ዚፍትኖ፣ 20 ንጉስ ልኢኹ ኣፍትሖ፣ እቲ
ገዛእ ኣህዛብ ሓራ ኣውጽኦ። 21-22 ንመሳፍንቱ ኸም ፍቓዱ ኺኣስሮም፣ ንሽማግሌታቱ ኸኣ ጥበብ
ኪምህሮም፣ ጐይታ ቤቱን ኣዛዝ ኵሉ ጥሪቱን ገበሮ። 23 እስራኤል ናብ ግብጺ መጸ፣ ያእቆብውን ኣብ
ሃገር ካም ሰፈረ። 24 ንህዝቡ ኸኣ ኣዝዩ ኣብዝሖ፣ ካብ ተጻረርቱውን ኣበርትዖ። 25 ንህዝቡ ኺጸልእዎ፣
ንባሮቱ ኺታናኾልዎምሲ፣ ልቦም ለወጠ።

26 ንሙሴ ባርያኡን ንኣሮን ሕሩዩን ለኣኸ። 27 ኣብ ማእከሎም ትእምርትታቱ፣ ኣብ ሃገር ካም ድማ
ተኣምራት ገበሩ። 28 ጸልማት ለኣኸ፣ ኣጸልመተ ኸኣ፣ ንቓላቱውን ኣይተጻረርዎን። 29 ማያቶም ናብ ደም
ለወጠ፣ ዓሳታቶም ከኣ ቐተለ። 30 ናብ ኣባይቲ ነገስታቶም ክሳዕ ዚኣትዋ፣ ምድሮም ብቝርዖብ መልኤት።
31 ተዛረበ እሞ ጽንጽያታት፣ ኣብ ኵሉ ወሰኖም ከኣ ቃርማ መጹ። 32 ኣብ ክንዲ ዝናምሲ በረድ፣

ሃልሃልታ ሓዊ ኸኣ ኣብ ሃገሮም ኣውረደ። 33 ወይኖምን በለሶምን ወቕዔ፣ ኣእዋም ዓዶም ድማ ሰባበረ።
34 ተዛረበ እሞ ኣንበጣ፣ ቊጽሪ ዜብሉ ኹብኩብታ መጸ። 35 ንዅሉ ብቛልያ ሃገሮም በልዮ፣ ንፍረ
ምድሮም ከኣ በልዔ።

36 ንዅሉ በዅሪ ሃገሮም፣ ንበዅሪ ሓይሎም፣ ቀተለ። 37 ብወርቅን ብሩርን ኣውጽኦም፣ ኣብ ማእከል
ዓሌቱ ኸኣ ድኹም ኣይነበረን። 38 ፍርሃት ወዲቕዎም ነበረ እሞ፣ ግብጺ ብምውጻኦም ተሐጒሰት። 39
ደበና ንመኸወልታ፣ ሓዊ ድማ ብለይቲ ኼብርህ፣ ዘርግሐ። 40 ለመኑ እሞ ብርኒኅታት ኣምጽኤ፣
ብእንጌራ ሰማይውን ኣጽገቦም። 41 ከውሒ ኸፈተ እሞ ማያት ፈልፈለ፣ ውሒዝ ብንቑጽ ቦታ ወሓዘ።

42 ነቲ ቅዱስ ቃሉን ንኣብርሃም ባርያኡን ዘኪሩ እዩ እሞ፣ 43 ንህዝቡ ብሓጐስ፣ ነቶም ሕሩያቱ ድማ
ብእልልታ ኣውጽኦም። 44-45 ትእዛዛቱ ኺገብሩ፣ ሕጉውን ኪሕልዉስ፣ ሃገር ኣህዛብ ሀቦም፣ ጻማ
ኣህዛብውን ወረሱ። ሃሌሉያ።

## ምዕራፍ 106

1 ሃሌሉያ። እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ምሕረቱውን ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ። 2
ንግብርታት ሓይሊ እግዚኣብሄር ኪዛረቦ፣ ንብዘሎ ምስጋናኡስ ኪነግሮ መን ይኽእል፧ 3 ፍርዲ ዚሕልዉ፣
ኵሉ ጊዜ ጽድቂ ዚገብሩ ብጹኣን እዮም። 4-5 ጐይታየ፣ በቲ ንህዝብኻ ዝሀብካዮ ጸጋ ዘክረኒ፣ ጣዕሚ
ሕሩያትካ ኽርኢ፣ ብሓጐስ ህዝብኻ ኽሕጐስ ምስ ርስትኻውን ምእንቲ ኽኸብርሲ፣ ብምድሓንካ
ብጽሓኒ። 6 ምስ ኣቦታትና ሓጢኣት ገበርና፣ በደልና፣ ግፍዒ ገበርና። 7 ኣቦታትና ኣብ ግብጺ ንተኣምራትካ
ኣየስተውዐልዎን፣ ንብዝሒ ጸጋኻ ኣይዘከርዎን፣ ኣብ ባሕሪ፣ ኣብቲ ባሕሪ ኤርትራ፣ ዐለዉ። 8 ንሱ ግና
ስልጣኑ ምእንቲ ኼፍልጥሲ፣ ስለ ስሙ ኢሉ ኣድሐኖም። 9 ንባሕሪ ኤርትራ ገንሓ እሞ ነቕጸት፣ ከም
ብበረኻ ድማ ብዓሚቝ መርሖም። 10 ካብ ኢድ ተጻራሪኦም ኣድሐኖም፣ ካብ ኢድ ጸላኢ ኸኣ
ተበጀዎም። 11 ንተጻረርቶም ከኣ ማያት ደፈኖም፣ ካብኦም ሓደ እኳ ኣይተረፈን። 12 ሽዑ ንቓላቱ ኣመኑ፣
ምስጋናኡ ዘመሩ። 13 ንተግባሩ ቐልጢፎም ረስዕዎ፣ ንምኽሩ ኣይተጸበይዎን። 14 ኣብ በረኻ ኣዝዮም
ተመነዩ፣ ኣብቲ ጽምዋ ንእግዚኣብሄር ፈተኑ። 15 ንሱ ኸኣ ዝለመንዎ ሀቦም፣ ግናኸ ንነፍሶም ዕብራን
ለኣኸሎም። 16 ኣብቲ ሰፈር ንሙሴን ንኣሮን፣ ናይ እግዚኣብሄር ቅዱስን፣ ቀንኡሎም። 17 ምድሪ ተኸፊታ
ንዳታን ወሐጠቶ፣ ንወገን ኣቢራም ከኣ ደፈነቶ። 18 ሓዊ ኣብ ማእከል ወገኖም ነደደ፣ ሃልሃልታ ንረሲኣን
ወሐጦም። 19 ኣብ ሆሬብ ምራኽ ገበሩ፣ ንዝፈሰሰ ምስሊ ኸኣ ሰገዱሉ።

20 ክብረቶም ንምስሊ ሳዕሪ ዚበልዕ ብዕራይ ለወጥዎ። 21-22 ኣብ ግብጺ ዓብዪ ተግባር፣ ኣብ ሃገር ካም
ተኣምራት፣ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ዜፍርህ ነገር ዝገበረ ኣምላኽ፣ መድሓኒኦም፣ ረስዕዎ። 23 ሽዑ ኼጥፍኦም
ደልዩ ተዛረበ፣ ግናኸ ሙሴ፣ እቲ ሕሩዩ፣ ከየጥፍኦም ቍጥዓኡ ምእንቲ ኺመልስ፣ ኣብ ቅድሚ ገጹ ኣብ
ማእከል ቈመ። 24 ነታ ፍትውቲ ሃገር ነዐቑ፣ ብቓሉውን ኣይኣመኑን። 25 ኣብ ድንኳናቶም ኣጕረምረሙ፣
ንድምጺ እግዚኣብሄር ከኣ ኣይሰምዕዎን። 26-27 ሽዑ ኢዱ ናብኦም ኣልዒሉ፣ ኣብ በረኻ ኼውድቖም፣
ንዘርኦም ከኣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኬውድቖም፣ ኣብ ሃገራትውን ፋሕ ኬብሎም መሐለ። 28 ምስ በዓል
ጴኦር ሐበሩ፣ መስዋእቲ ምውታት ከኣ በልዑ። 29 ብግብርታቶም ከኣ ኣኹረይዎ፣ መዓትውን ወረዶም።
30 ሽዑ ፊንሃስ ተንሲኡ ፍትሒ ኣውጽኤ፣ እቲ መዓት ድማ ዛረየ።

31 እዚ ኸኣ ንሓዋሩ፣ ንውሉድ ወለዶ ጽድቂ ኰይኑ ተቘጽረሉ። 32 ኣብ ማይ መሪባ ድማ ኣኾረይዎ፣
ሙሴውን ብሰሮም ተጐድኤ። 33 ንመንፈሱ ኣንጸርጺሮምዎ ነበሩ እሞ፣ ብኸናፍሩ ዕሽነት ተዛረበ። 34-35
ምስ ኣህዛብ ተሓባበሩ፣ ግብርታቶም ከኣ ተማህሩ እምበር፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዞም፣ ነህዛብ
ኣየጽነትዎምን። 36 ንጣኦታቶም ኣገልገሉ፣ ንሳቶም ከኣ መፈንጠርያ ኰንዎም።

37 ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ነጋንንቲ ሰውኡሎም። 38 ንጹህ ደም፣ ደም ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን፣ ኣፍሰሱ፣
ንጣኦታት ከነኣን ሰውእዎም፣ እታ ሃገርውን ብደም ረኸሰት። 39 በዚ ከምዚ ብተግባሮም ረኸሱ፣
ብግብርታቶም ከኣ ኣመንዘሩ። 40 ሽዑ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ኣብ ህዝቡ ነደደ፣ ንርስቱ ኸኣ ፈንፈኖ። 41
ኣብ ኢድ ኣህዛብ ኣሕሊፉ ሀቦም፣ እቶም ዝጸልእዎም ድማ መለኽዎም። 42 ጸላእቶም ከኣ ጠቕዕዎም፣
ኣብ ትሕቲ ኣእዳዎም ድማ ተዋረዱ። 43 ብዙሕ ጊዜ ኣናገፎም፣ ንሳቶም ግና ብምኽሮም ዐለዉ፣
ብኣበሳኦምውን ተዋረዱ።

44 ኣውያቶም ምስ ሰምዔ ኸኣ፣ ጸበባኦም ረአየ። 45 ንኺዳኑ ድማ ዘከረሎም፣ ብመጠን ብዝሒ ሳህሉውን
ራሕርሓሎም።

46 ኣብ ቅድሚ ዅሎም ማረኽቶም ከኣ ሞገስ ሀቦም። 47 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፣ ንቅዱስ ስምካ
ኽንውድሶ፣ ብምስጋናኻውን ክንምካሕሲ፣ ኣናግፈና ካብ ማእከል ኣህዛብ ኣክበና።

48 እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ይባረኽ። ኵሉ ህዝቢውን ኣሜን ይበል።
ሃሌሉያ።

# ምዕራፍ 107

1 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ምሕረቱ ኸኣ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ። 2-3 እቶም
እግዚኣብሄር እተበጀዎም፣ ካብ ኢድ ገፋዒ እተበጀዎም፣ ካብ ሃገራት፣ ካብ ምብራቕን ምዕራብን ካብ
ሰሜንን ደቡብን ዝኣከቦም፣ ከምዚ ይበሉ። 4 ኣብ በረኻ፣ ኣብ ጽምዋ መገዲ ኰብለሉ፣ ዚነብሩላ ዓዲ
ኣይረኸቡን።

5 ጠምዮም፣ ጸሚኦም፣ ነፍሶም ሰልከየት። 6 ሽዑ ብመከራኦም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወዩ፣ ንሱውን ካብ
ጸበባኦም ኣናገፎም።

7 ናብ ዚነብሩላ ዓዲ ኺበጽሑስ፣ ብቕኑዕ መገዲ መርሖም። 8-9 ንጽምእቲ ነፍሲ ኣጽጊብዋ፣ ንጥምይቲ
ነፍሲ ብሰናይ መሊእዋ እዩ እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ስለ ሳህሉን፣ ስለቲ ንደቂ ሰብ ዝገበሮ ተኣምራቱን
የመስግንዎ። 10 ብመከራን ሓጺንን ተኣሲሮም፣ ኣብ ጸልማትን ኣብ ድነ ሞትን ነበሩ። 11 ንቓል ኣምላኽ
ስለ እተሃላለኽዎ፣ ንምኽሪ እቲ ልዑል ከኣ ስለ ዝነዐቕዎ፣ 12 ንልቦም ብጻዕሪ ኣዋረዶ፣ ወደቑ፣
ዚረድእውን ሓደ እኳ ኣይነበረን። 13 ሽዑ ብመከራኦም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወዩ፣ ንሱውን ካብ ጸበባኦም
ኣናገፎም። 14 ካብ ጸልማትን ድነ ሞትን ኣውጽኦም፣ መቓውሖም ከኣ ሰባበረ። 15-16 መዓጹ ኣስራዚ
ሰቢሩ፣ መሸጐር ሓጺን ሰባቢሩ እዩ እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ስለ ሳህሉን፣ ስለቲ ንደቂ ሰብ ዝገበሮ
ተኣምራቱን የመስግንዎ።

17 ዓያሱ ብሰሪ ግህሰቶምን ብሰሪ ኣበሳኦምን ተጨነቑ፣ 18 ነፍሶም ንመብልዕ ዘበለ ፈንፈነቶ። ክሳዕ

ደጌታት ሞትውን በጽሑ። [19] ሽዑ ብመከራኦም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወዩ፣ ንሱውን ካብ ጸበባኦም
ኣናገፎም። [20] ቃሉ ልኢኹ ኣሕወዮም፣ ካብ ጉድጓዶም ከኣ ኣናገፎም። [21] ንእግዚኣብሄር ስለ ሳህሉን
ስለቲ ንደቂ ሰብ ዝገበሮ ተኣምራቱን የመስግንዎ። [22] መስዋእቲ ምስጋና ኺኣ ይሰውኡ፣ ንግብርታቱውን
ብእልልታ ይንገሩ። [23] ብመራኽብ ናብ ባሕሪ ዚወርዱ፣ ኣብ ዓበይቲ ማያት ዚነግዱ፣ [24] ንሳቶም
ግብርታት እግዚኣብሄር፣ ኣብ ዓሚቝ ድማ ተኣምራቱ ረአዩ።

[25] ኣዘዘ እሞ፣ ማዕበላት ዜልዕል ህቦብላ ንፋስ ኣተንሰኤ። [26] ናብ ሰማይ ደየቡ፣ ናብ መዓሙቝ ወረዱ፣
ነፍሶም ብመከራ መኸኸት። [27] ከም ሰካር ኣሕወዝወዙን ሰንከልከል በሉን፣ ኵሉ ጥበቦም ከኣ ጠፍኤ። [28]
ሽዑ ብመከራኦም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወዩ፣ ንሱውን ካብ ጸበባኦም ኣውጽኦም። [29] ንህቦብላ ናብ
ህድኣት ለወጦ፣ ማዕበላት ከኣ ዝግ በሉ። [30] ስለ ዝሀድኤ ተሐጕሱ፣ ናብቲ ዝደለይዎ ወደብ ድማ
ኣብጽሖም። [31] ንእግዚኣብሄር ስለ ሳህሉን ስለቲ ንደቂ ሰብ ዝገበሮ ተኣምራቱን የመስግንዎ፣ [32] ኣብ
ማሕበር ኣህዛብ ልዕል የብልዎ፣ ኣብ ባይቶ ሽማግሌታት ድማ የመስግንዎ። [33-34] ንወሓዝቲ ናብ በረኻ፣
ንዓይኒ ማያት ናብ ንቑጽ ምድሪ፣ ንፍርያም ምድሪ፣ ብሰሪ ኽፍኣት እቶም ዝነበርዋ፣ ናብ ጐልጐል
ጨው ለወጦ። [35] ንበረኻ ናብ መዕቈር ማያት፣ ንንቑጽ ምድሪ ኸኣ ናብ ዓይኒ ማያት ለወጦ። [36]
ንጥሙያት ኣብኣ ኣሕደሮም፣ ንሳቶም ከኣ ዚነብሩላ ዓዲ ሰረቱ። [37] ግርሁ ዘርኡ፣ ወይንታት ተኸሉ፣
ብዝሒ ፍረ ኸኣ ሀቦም። [38] ባረኾም እሞ ኣዝዮም በዝሑ። ንኸብቶም ድማ ኣየውሐደሎምን።

[39] ደሓር ከኣ ብምጥቃዕ፣ ብመከራ፣ ብጓሂ ወሐዱን ተዋረዱን። [40] ኣብ ልዕሊ መሳፍንቲ ሓሳር ከዐወ፣
መገዲ ኣብ ዜብሉ በረኻ ኣኾብለሎም። [41] ንድኻ ኻብ ሽጋሩ ልዕል ኣበሎ፣ ንዓሌታት ድማ ከም መጓሰ
ኣብዝሖም። [42] ቅኑዓት ርእዮምዎ ኺሕጐሱ፣ ኣበሳ ዘበለውን ኣፉ ኺዐጹ እዩ። [43] ለባም ዘበለ ነዚ
ኼስተብህሎ እዩ፣ ንጸጋ እግዚኣብሄር ከኣ ኬስተውዕሎ እዩ።

## ምዕራፍ 108

[1] ዎ ኣምላኸ፣ ልበይን ክብረይን ኣንቂደን ኣለዋ። ክዝምርን ከመስግንን እየ። [2] በገናን መሰንቆን ንቕሑ፣
ንወጋሕታ ኸንቕሓ እየ። [3] ጐይታየ፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ከመስግነካ፣ ኣብ ማእከል ህዝብታት
ክዝምረልካ እየ። [4] ምሕረትካ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ዓብዩ፣ ሓቅኻውን ክሳዕ ደበናታት እዩ እሞ፣ [5] ዎ
ኣምላኸ፣ ኣብ ልዕሊ ሰማያት ልዕል በል፣ ክብርኻ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ምድሪ ይኹን። [6] ፍትዋትካ ምእንቲ
ኺናገፉስ፣ ብየማነይትኻ ኣድሕነናን ስምዓናን። [7] ኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ተዛረበ፣ እልል ክብል እየ፣
ንሰኬም ክመቕል፣ ንለሰ ሱኮት ክልክዕ እየ። [8] ጊልኣድ ናተይ እዩ፣ ምናሴውን ናተይ እዩ፣ ኤፍሬም
መጸግዕ ርእሰይ፣ ይሁዳውን ዘንጊ ግዝኣተይ እዩ። [9] ሞኣብ ገበራ ምሕጻበይ እዩ። ኣብ ኤዶም ሳእነይ
እድርቢ፣ ኣብ ፍልስጥኤም እልል ክብል እየ። [10] ናብታ ዕርድቲ ኸተማ መን ይወስደኒ፧ ናብ ኤዶም መን
ኰን ይመርሓኒ፧ [11] ዎ ኣምላኸ፣ ንስኻዶ ኣይኰንካን ዝደርቤኻና፧ ንስኻ ኣምላኸ፣ ምስ ሰራዊትናኸ
ኣይትወጽእን ዲኻ፧ [12] ረዲኤት ሰብ ከንቱ እዩ እሞ፣ ካብቲ ተጻራሪ ርድኣና። [13] ብኣምላኸ ንሕይል፣
ንሱውን ንተጻረርትና ኺረግጾም እዩ።

## ምዕራፍ 109

1-3 ኣታ ኣምላኽ ምስጋናይ፣ እፍ ረሲእን ኣፍ ጥበራን ናባይ ተኸፊቶም፣ ብሓሳዊት መልሓስ ይዛረቡኒ፣
ብቓላት ጽልኢ ኸቢቦምኒ፣ ብዘይ ምኽንያት ይዋግኡኒ ኣለዉ እሞ፣ ስቕ ኣይትበል። 4 ኣብ ክንዲ
ዘፍቀርክዎም ተጻረሩኒ፣ ኣነ ግና እጽሊ ኣሎኹ። 5 ኣብ ክንዲ ሰናይ እከይ፣ ኣብ ክንዲ ፍቕረይ ከኣ ጽልኢ
ፈድዮምኒ። 6 ረሲእ ኣብ ልዕሊኡ ኣቘመሉ፣ ተጻራሪ ኣብ የማኑ ይቑም። 7 ምስ ተፈርደ፣ ተረቲዑ
ይውጻእ፣ ጸሎቱውን ንሓጢኣት ይኹኖ። 8 መዓልትታቱ ሒደት ይኹና፣ ንሽመቱውን ካልእ ይውሰዶ። 9
ውሉዱ ዘኽታማት ይኹኑ፣ ሰበይቱውን መበለት ትኹን። 10 ውሉዱ እናዞሩ ይለምኑ፣ ካብተን ዝዐነዋ
ኣባይቶም ርሒቖም፣ እንጌራ ይድለዩ። 11 ንዘለዎ ኹሉ እቲ መሓረጺ ይሐዞ፣ ጓኖት ከኣ ንጻማኡ
ይዝመትዎ። 12 ዚልውሃሉ ሓደ እኳ ኣይረኸብ፣ ንዘኽታማቱ ዚርሕርሓሎም ከኣ ሓደ እኳ ኣይሀሉ። 13
ሐድጉ ይጽነቱ፣ ስሞም ኣብ ካልኣይ ወለዶ ይደምሰስ። 14 በደል ኣቦታቱ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ይዘከር፣ ሓጢኣት ኣዲኡ ኸኣ ኣይደምሰስ። 15 ኵሉ ጊዜ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ይኹኑ፣ መዘከርታኦም
ካብ ምድሪ የጥፍኣዮ። 16 ንመስኪንን ንድኻን ነቲ ልቡ እተሰብረን ምእንቲ ኪቐትሎም ሰጒጎም እምበር፣
ምሕረት ኪገብር ስለ ዘይሐሰበ፣ 17 ንመርገም ፈተዋ፣ ንሳ ኸኣ መጸቶ፣ ንበረኸት ኣይበሀጋን፣ ንሳውን
ረሐቐቶ። 18 ንመርገም ከም ክዳኑ ተኸድና፣ ንሳ ኸኣ ከም ማይ ናብ ውሽጡ፣ ከም ቅብኢውን ናብ
ኣዕጽምቱ ሰረጸት። 19 ከምቲ ዚጓናጸፈሉ ልብስን፣ ከምቲ ኹሉ ጊዜ ዚዕጠቐ ቕናትን ይኹኖ። 20 እዚ ኻብ
እግዚኣብሄር ናይ ተጻረርተይን ናይቶም ኣብ ነፍሰይ ክፉእ ዚዛረቡን ፍዳ ይኹን። 21 ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፣ ስለ ስምካ ኢልካ ርድኣኒ፣ ጸጋኻ ሰናይ እዩ እሞ፣ ኣናግፈኒ። 22 ኣነ መስኪንን ድኻን እየ እሞ፣
ልበይ ኣብ ውሽጠይ ቈሲሉ ኣሎ። 23 ከም ዚነውሕ ጽላሎት እኸይድ፣ ከም ኣንበጣውን እስጐጕ ኣሎኹ።
24 ኣብራኸይ ብጾም ራዕራዕ በለ፣ ስጋይ ከኣ ካብ ስብሑ ዐበረ። 25 መላገጺኦም ከኣ ኾንኩ፣ እንተ ረአዩኒ
ርእሶም ይንቕንቑ። 26-27 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ርድኣኒ፣ እዚ ኢድካ ምዃኑ፣ ንስኻ ኸም ዝገበርካዮ
ኺፈልጡስ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ብመጠን ጸጋኻ ኣናግፈኒ። 28 ንሳቶም ይረግሙ፣ ንስኻ ግና መርቕ፣ እንተ
ተንስኡ፣ ኪሐፍሩ እዮም። ባርያኻ ግና ኪሕጐስ እዩ። 29 ተጻረርተይ ውርደት ይከደኑ፣ ንነውሮም ከኣ
ከም ነጸላ ይወንዘፍዎ። 30-31 ካብቶም ንነፍሱ ዚኾንንዎ ኺድሕኖስ፣ ኣብ የማን እቲ ድኻ ቈይሙ ኣሎ
እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ብኣፈይ ኣዝየ ኸመስግኖ፣ ኣብ ማእከል ብዙሓትውን ክውድሶ እየ።

# ምዕራፍ 110

1 ጐይታ ንጐይታይ፣ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም፣ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፣ በሎ። 2
እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን በትሪ ስልጣንካ ኺልእኽ እዩ፣ ኣብ ማእከል ጸላእትኻ ግዛእ። 3 በታ ሰራዊትካ
እተኽትተላ መዓልቲ ህዝብኻ ፈትዩ ይመጽእ፣ ከምቲ ኻብ ከርሲ ወጋሕታ ዚመጽእ ኣውሊ ከምኡ
መንእሰይካ ብልብሲ ቕድስና ይመጹኻ። 4 እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ኸም ስርዓት መልከጼዴቅ ንዘለኣለም
ካህን ኢኻ፣ ኢሉ መሐለ ኣይጠዓሰን ከኣ። 5 እግዚኣብሄር ኣብ የማንካ ኾይኑ፣ ብመዓልቲ ቍጥዓኡ
ንነገስታት ኪጭፍልቖም፣ 6 ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኪፈርድ፣ ብሬሳታት ኪመልኦ፣ ርእሲ ርሒብ ሃገር
ኪጭፍልቕ። 7 ኣብ መገዲ ኻብ ወሓዚ ኺሰቲ፣ ስለዚ ርእሱ ልዕል ኬብል እዩ።

# ምዕራፍ 111

1 ሃሌሉያ። ንእግዚኣብሄር ብምኽሪ ቕኑዓትን ማሕበርን ብምሉእ ልበይ ኣመስግኖ ኣሎኹ። 2 ግብሪ

እግዚኣብሄር ዓብዪ እዩ፣ እቶም ብእኡ ዚሕጐሱ ዅሎም ይምርምርዎ እዮም። 3 ግብሩ ኽብርን ግርማን
እዩ፣ ጽድቂ ኸኣ ንዘለኣለም ይነብር። 4 ንተኣምራቱ መዘከርታ ገበሮ፣ እግዚኣብሄር መሓርን ርሕሩሕን
እዩ። 5 ንዚፈርህዎ ምግቢ ይህቦም፣ ኪዳኑ ንዘለኣለም ይዝክር።

6 ርስቲ ኣህዛብ ብምሃቡ ሓይሊ ግብሩ ንህዝቡ ኣርኣዮ። 7 ግብሪ ኣእዳዉ ሓቅን ፍርድን እዩ፣ ትእዛዙ
ዅሉ ጽኑዕ እዩ። 8 ንዘለኣለመ ኣለም ጽኑዕ፣ ብሓቅን ብቕንዕናን እተገብረ እዩ። 9 ንህዝቡ በጃ ሰደደሎም፣
ኪዳኑ ንዘለኣለም ኣዘዘ፣ ስሙ ቅዱስን ዜፍርህን እዩ። 10 ፍርሃት እግዚኣብሄር መጀመርያ ጥበብ እዩ፣
ዚገብርዎ ዅሎም ሰናይ ልቦና ኣለዎም። ምስጋናኡ ንዘለኣለም ይነብር።

## ምዕራፍ 112

1 ሃሌሉያ። እቲ ንእግዚኣብሄር ዚፈርሆ፣ ብትእዛዛቱ ኣዝዩ ባህ ዚብሎ ሰብ ብጹእ እዩ። 2 ዘርኡ ኣብ
ምድሪ ኺስልጥን፣ ወለዶ ቕኑዓት ኪባረኽ እዩ። 3 ሃብትን ጽጋብን ኣብ ቤቱ እዩ፣ ጽድቁውን ንዘለኣለም
ይነብር። 4 ንቕኑዓት፣ ነቲ መሓርን ርሕሩሕን ጻድቕን፣ ኣብ ጸልማት ብርሃን ይወጽሎም። 5 ዚርሕርሕን
ዜለቅሕን ሰብ ብጹእ እዩ። ንሱ ንነገሩ ብፍርዲ ይፍጽሞ። 6 ንዘለኣለም ኣይኪናወጽን እዩ እሞ፣
መዘከርታ ጻድቕ ንዘለኣለም ይነብር። 7 ከፉእ ወረ ኣይፈርህን፣ ልቡ ብእግዚኣብሄር ተወኪሉ ይጸንዕ። 8
ልቡ ጽኑዕ እዩ፣ ትምኒቱ ኣብ ተጻረርቱ ኽሳዕ ዚርኢ ኣይፈርህን። 9 ዘረወ፣ ንድኻታት ሀበ፣ ጽድቁ
ንዘለኣለም ይነብር፣ ቀርኑ ብኽብሪ ልዕል ኪብል እዩ። 10 ረሲእ ነዚ ርእዩ ኺሐርቕ፣ ኣስናኑ ኺሕርቅምን
ኪማስንን፣ ትምኒት ረሲኣን ኪጠፍእ እዩ።

## ምዕራፍ 113

1 ሃሌሉያ። ኣቱም ባሮት እግዚኣብሄር፣ ኣመስግኑ፣ ንስም እግዚኣብሄር ኣመስግኑ።

2 ስም እግዚኣብሄር ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ይባረኽ።

3 ካብ ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ ምዕራባ ስም እግዚኣብሄር ይመስገን። 4 እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ዅሎም
ኣህዛብ ልዑል እዩ፣ ክብሩ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ሰማያት እዩ። 5-6 ነቲ ኣብ ላዕሊ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጠ፣ ናብ
ሰማይን ናብ ምድርን ኣንቈልቍሉ ዚጥምት፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚመስል መን እዩ፧ 7-8 ምስ
መሳፍንቲ፣ ምስቶም መሳፍንቲ ህዝቡ ኬቐምጦስ፣ ንመስኪን ካብ ሓመድ የተንስኦ፣ ንድኻውን ካብ
ድኹዒ የልዕሎ።

9 ንመኻን፣ ኣደ ቈልዑ ገይሩ፣ ኣብ ቤት ብሓጐስ የንብራ። ሃሌሉያ።

## ምዕራፍ 114

1 እስራኤል ካብ ግብጺ፣ ቤት ያእቆብ ካብቲ ቛንቋኡ ዘይስማዕ ህዝቢ ምስ ወጸ፣

2 ይሁዳ መቕደሱ፣ እስራኤል ግዝኣቱ ኾነ። 3 ባሕሪ ርእዩቶ ሀደመት። ዮርዳኖስ ንድሕሪት ተመልሰ። 4
ኣኽራን ከም ደዓውል፣ ኵረቢት ከም ዕያውቲ ተሰራሰሩ። 5 ኣቲ ባሕሪ፣ እንታይ ኴንኪ ዝሀደምኪ፧ ኣታ

ዮርዳኖስከ፣ ንድሕሪት እተመለስካ፧ 6 ኣቱም ኣኽራን፣ ከም ደዓውል፣ ኣቱም ኲረቢትሲ፣ ከም ዕያውቲ
እተሰራሰርኩም፣ እንታይ ኼንኩም ኢኹም፧ 7-8 ኣቲ ምድሪ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ነኻውሕ ናብ ቀላያት፣
ንዓረ ናብ ዓይኒ ማያት ዝለወጠ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ያእቆብ ኣንቀጥቅጢ።

## ምዕራፍ 115

1 ንኣና ኣይኰነን፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንኣና ኣይኰነን፣ ግናኸ ስለ ምሕረትካን ሓቅኻን ኢልካ፣ ንስምካ
ኽብሪ ሀብ።

2 ስለምንታይ ኣህዛብ፣ ኣበይ ደአ ኣሎ ኣምላኾም፣ ዚብሉና፧ 3 ኣምላኽናስ ኣብ ሰማያት ኣሎ፣ ዝደለዮ
ኹሉ ይገብር እዩ።

4 ጣኦታቶም ኢድ ሰብ ዝገበሮም ብሩርን ወርቅን እዩ። 5 ኣፍ ኣለዎም፣ ኣይዛረቡን፣ ኣዒንቲ ኣለዎም፣
ኣይርእዩን፣ 6 እዝኒ ኣለዎም፣ ኣይሰምዑን፣ ኣፍንጫ ኣለዎም፣ ኣየጨንዉን፣ 7 ኢድ ኣለዎም፣ ኣይድህስሱን፣
እግሪ ኣለዎም፣ ኣይከዱን፣ ብጐረሮኦም ድማ ገለ እኳ ኣየድምጹን። 8 እቶም ዚገብርዎምን ኣብኦም
ዚውከሉን፣ ኩሎም ከምኣቶም ኪኾኑ እዮም። 9 ኣታ እስራኤል፣ ኣብ እግዚኣብሄር ተወከል፣ ንሱ
ረዲኤቶምን ዋልታኦምን እዩ። 10 ኣቱም ቤት ኣሮን፣ ኣብ እግዚኣብሄር ተወከሉ፣ ንሱ ረዲኤቶምን
ዋልታኦምን እዩ። 11 ኣቱም ንእግዚኣብሄር እትፈርህዎ፣ ኣብ እግዚኣብሄር ተወከሉ፣ ንሱ ረዲኤቶምን
ዋልታኦምን እዩ። 12 እግዚኣብሄር ዘኪረና፣ ንሱ ኺባርኽ፣ ንቤት እስራኤል ኪባርኻ፣ ንቤት ኣሮን ኪባርኻ
እዩ።

13 ነቶም ንእግዚኣብሄር ዚፈርሁ፣ ናእሽቱን ዓበይትን፣ ኪባርኾም እዩ።

14 ንኣኹምን ንውሉድኩምን እግዚኣብሄር የብዝሕኩም።

15 በቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እተባረኽኩም ኢኹም። 16 ሰማያትሲ ናይ እግዚኣብሄር
ሰማያት እዮም፣ ምድሪ ግና ንደቂ ሰብ ሀቦም። 17 ምውታትን ናብ ስቕ ምባል ዝወረዱ ኹሎምን
ንእግዚኣብሄር ኣየመስግንዎን እዮም።

18 ንሕና ግና ካብ ሕጂ ኽሳዕ ዘለኣለም ንእግዚኣብሄር ከነመስግኖ ኢና። ሃሌሉያ።

## ምዕራፍ 116

1 ድምጸይን ምህለላይን ሰሚዑ እዩ እሞ፣ ንእግዚኣብሄር ኤፍቅሮ እየ። 2 እዝኑ ናባይ ኣድኒኑ እዩ እሞ፣
ኵለን መዓልትታተይ ናብኡ ኽምህለል እየ። 3 መኣሰር ሞት ከበበኒ፣ ጸበባ ሲኦል ሐዘኒ፣ ጭንቀትን
መከራን ረኸብኩ። 4 ሽዑ ኣነ፣ ዎ ጐይታይ፣ ንነፍሰይ ኣድሕና፣ ኢለ ስም እግዚኣብሄር ጸዋዕኩ። 5
እግዚኣብሄር ርሕሩሕን ጻድቕን እዩ፣ ኣምላኽና ኸኣ መሓሪ እዩ። 6 እግዚኣብሄር ንገርህታት ይሕልዎም፣
ኣነ ተሸገርኩ፣ ንሱውን ኣድሐነኒ። 7 ነፍሰየ፣ እግዚኣብሄር ሰናይ ገይሩልኪ እዩ እሞ፣ ናብ ዕረፍትኺ
ተመለሲ። 8 ንነፍሰይ ካብ ሞት፣ ነዒንተይ ካብ ንብዓት፣ ነእጋረይ ካብ ምውዳቕ ኣድሒንካየን ኢኻ እሞ፣

9 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣብ ሃገር ህያዋን ክመላለስ እየ። 10 ኣመንኩ፣ ስለዚ ተዛረብኩ፣ ኣዝየ

ተጨኒቐ ነበርኩ።

11 ኣነ ብስምባደይ፣ ኵሉ ሰብ ሓሳዊ እዩ፣ በልኩ። 12 ኣብ ከንዲ እቲ ሰናይ ዝገበረለይ ኵሉስ፣
ንእግዚኣብሄር እንታይ ውሬታ ኽመልሰሉ እየ፧ 13 ጽዋእ ምድሓን ክወስድ፣ ስም እግዚኣብሄር ድማ
ክጽውዕ እየ።

14 ንእግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቡ መብጽዓይ ክፍጽም እየ።

15 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ሞት ቅዱሳኑ ኽቡር እዩ። 16 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣነ ባርያኻ እየ፣ ባርያኻ፣
ወዲ እታ ባርያኻ እየ፣ መኣስረይ ፈታሕካ። 17 መስዋእቲ ምስጋና ኽሰውኣልካ፣ ስም እግዚኣብሄር ከኣ
ክጽውዕ እየ። 18-19 ንእግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቡ፣ ኣብ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር፣ ኣብ
ማእከልኪ፣ ዎ የሩሳሌም፣ መብጽዓይ ክፍጽም እየ። ሃሌሉያ።

# ምዕራፍ 117

1 ኵሉኹም ኣህዛብ፣ ንእግዚኣብሄር ኣመስግንዎ፣ ኵሉኹም ህዝብታት፣ ወድስዎ። 2 ጺጋኡ ኣባና ዓብዩ
እዩ እሞ፣ ሓቂ እግዚኣብሄር ድማ ንዘለኣለም ይነብር እዩ። ሃሌሉያ።

# ምዕራፍ 118

1 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ። 2 ምሕረቱ ንዘለኣለም
ከም ዚነብር፣ እስራኤል ይበል። 3 ምሕረቱ ንዘለኣለም ከም ዚነብር፣ ቤት ኣሮን ይበል። 4 ምሕረቱ
ንዘለኣለም ከም ዚነብር፣ እቶም ንእግዚኣብሄር ዚፈርህዎ ይበሉ። 5 ኣብ ጸበባይ ንእግዚኣብሄር ጸዋዕኩ፣
እግዚኣብሄር መለሰለይ ኣርሐበለይ ድማ። 6 እግዚኣብሄር ምሳይ እዩ፣ ኣይፈርህን፣ ሰብከ እንታይ
ክይገብረኒ፧ 7 እግዚኣብሄር ምሳይ እዩ፣ ረዳእየይ እዩ፣ ኣብ ጸላእተይ ትምኒተይ ክርኢ እየ።

8 ካብ ኣብ ሰብ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሄር ምዕቋብ ይሐይስ።

9 ካብ ኣብ መሳፍንቲ ምውካልሲ ኣብ እግዚኣብሄር ምዕቋብ ይሐይስ። 10 ኵሎም ኣህዛብ ከበቡኒ፣ ብስም
እግዚኣብሄር ክቈርጾም እየ። 11 ከበቡኒ፣ እወ ኸበቡኒ፣ ብስም እግዚኣብሄር ክቈርጾም እየ። 12 ከም ንህቢ
ከበቡኒ፣ ከም ሓዊ ቈጥቋጥ ጠፍኡ፣ ብስም እግዚኣብሄር ክቈርጾም እየ። 13 ከተውድቐኒ ኢልካ ኣዚኻ
ደፋእካኒ፣ እግዚኣብሄር ግና ረድኣኒ። 14 ሓይለይን መዝሙረይን እግዚኣብሄር እዩ፣ ንሱውን ምድሓነይ
ኰነ። 15 ኣብ ድንኳናት ጻድቃን ድምጺ እልልታን ምድሓንን ኣሎ፣ የማነይቲ ኢድ እግዚኣብሄር ሓይሊ
ትገብር። 16 የማነይቲ እግዚኣብሄር ልዕል ትብል፣ የማነይቲ እግዚኣብሄር ሓይሊ ትገብር ኣላ። 17
ብህይወት ክነብር እየ እምበር፣ ኣይክመውትን፣ ግብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ክዘንቱ እየ። 18 እግዚኣብሄር
ኣዝዩ ቐጽዓኒ፣ ንሞት ግና ኣይወፈየንን። 19 ብእኤን ኣትየ ንእግዚኣብሄር ክመስግኖስ፣ ደጌታት ጽድቂ
ኽፈቱለይ። 20 ደገ እግዚኣብሄር እዚኣ እያ፣ ጻድቃን ብእኣ ኺኣትዉ እዮም።

21 ሰሚዕካኒ ምድሓነይውን ኴንካ ኢኻ እሞ፣ ከመስግነካ እየ። 22 ነደቕቲ ዝነዐቕዎ እምኒ፣ ንሱ ርእሲ
መኣዝን ኰነ። 23 እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ኰነ፣ ነዒንትናውን ግሩም እዩ። 24 እታ እግዚኣብሄር ዝገበራ

መዓልቲ እዚኣ እያ፣ ብእኣ ንተሐጐስን ባህ ይበለናን። 25 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣድሕን ኰታ፣ ኣታ
እግዚኣብሄር፣ ኣሰልጥን ኰታ። 26 እቲ ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ፣ ካብ ቤት እግዚኣብሄር
ንባርኸኩም ኣሎና። 27 እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ እዩ፣ ንሱውን ኣብረሀልና፣ ነቲ መስዋእቲ በዓል ዓመት
ክሳዕ ኣቕርንቲ መሰውኢ ብገመድ እሰሩ። 28 ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ ኤመስግነካ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ ልዕል
ኤብለካ ኣሎኹ። 29 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ።

# ምዕራፍ 119

1 ብመገዶም ፍጹማት ዝኾኑ፣ ብሕጊ እግዚኣብሄር ዚመላለሱ ብጹኣን እዮም። 2 ምስክራቱ ዚሕልዉ፣
ብምሉእ ልቢ ዚደልይዎ ብጹኣን እዮም። 3 እከይ ኣይገብሩን፣ ብመገድታቱ ኸኣ ይመላለሱ።

4 ኣጸቢቑ ምእንቲ ኺሕሎ፣ ትእዛዛትካ ኣዘዝካ።

5 ኣየ፣ ስርዓታትካ ኽሕሉስ፣ መገደይ እንተ ዚቐንዕ። 6 ንኹሉ ትእዛዛትካ እንተ ዝቋመት፣ ሽዑ
ኣይምሐፈርኩን። 7 ፍርዲ ጽድቅኻ ምስ ተምሀርኩ፣ ብቕንዕና ልቢ ኽመስግነካ እየ። 8 ስርዓታትካ ኽሕሉ
እየ፣ ፈጺምካ ኣይትሕደገኒ። 9 ጐበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሃ፧ ከም ቃልካ ንነፍሱ ብምጥንቃቕ እዩ።
10 ብምሉእ ልበይ እደልየካ ኣሎኹ፣ ካብ ትእዛዛትካ ኸየግልስ ኣይትሕደገኒ። 11 ንኣኻ ምእንቲ
ኸይብድልሲ፣ ንቓልካ ኣብ ልበይ ዐቚርክዎ። 12 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ብሩኽ ኢኻ፧ ስርዓታትካ
ምሀረኒ።

13 ንኹሉ ፍርድታት ኣፍካ ብኸናፍረይ ኣዘንቶኹ።

14 ብመገዲ ምስክራትካ ኸም ብኹሉ ሃብቲ ገይረ ተሐጐስኩ። 15 ንትእዛዛትካ ኤስተንትኖ፣
ንመገድኻውን እቋመቶ ኣሎኹ። 16 ብስርዓታትካ ባህ እብል፣ ንቓልካ ኣይክርስዖን እየ። 17 ብህይወት
ክነብር፣ ቃልካውን ክሕሉስ፣ ንባርያኻ ሰናይ ግበረሉ። 18 ኣብ ሕግኻ ተኣምራት ክርእስ፣ ኣዒንተይ
ክፈተለይ። 19 ኣነ ኣብ ምድሪ ጋሻ እየ፣ ትእዛዛትካ ኣይትሕብኣለይ።

20 ነፍሰይ፣ ኵሉ ጊዜ ፍርድኻ ብምንፋቕ ተቐጥቀጠት። 21 ነቶም ትዕቢተኛታት፣ ነቶም ካብ ትእዛዛትካ
ዜግልሱ ርጉማት ገናሕካ። 22 ምስክራትካ ሐልየ እየ እሞ፣ ጸርፍን ንዕቀትን ኣርሕቐለይ። 23 መሳፍንቲ
ተቐሚጦም እኳ እንተ ሐመዩኒ፣ ባርያኻስ ብስርዓታትካ የስተንትን ኣሎ።

24 ምስክራትካ ድማ ባህታይን መኽርተይን እዮም። 25 ነፍሰይ ኣብ ሓመድ ተጣበቐት፣ ከም ቃልካ ህያው
ግበረኒ። 26 መገደይ ኣዘንቶኹ፣ ንስኻውን መለስካለይ፣ ስርዓታትካ ምሀረኒ። 27 ንተኣምራትካ
ኽስተንትኖስ፣ መገዲ ትእዛዛትካ ኣፍልጠኒ። 28 ነፍሰይ ብሓዘን ትነብዕ ኣላ፣ ከም ቃልካ ኣደልድለኒ። 29
መገዲ ሓሶት ኣርሕቐለይ፣ ሕግኻውን ብሳህልኻ ፍቐደለይ። 30 መገዲ ሓቂ መረጽኩ፣ ፍርድታትካ ኣብ
ቅድመይ ኣንበርኩ። 31 ኣብ ምስክራትካ እጠብቕ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣይተሕፍረኒ። 32 ልበይ ምስ
ኣግፋሕካ፣ ብመገዲ ትእዛዛትካ ኽጐዪ እየ። 33 ዎ እግዚኣብሄር፣ መገዲ ስርዓታትካ ምሀረኒ፣ ክሳዕ
መወዳእታውን ክሕልዎ እየ። 34 ምስትውዓል ሀበኒ እሞ፣ ንሕግኻ ኽሕልዎ፣ ብምሉእ ልበይውን ክገብሮ
እየ። 35 ብእኡ ባህ ኢሉኒ እዩ እሞ፣ ብመገዲ ትእዛዛትካ ኣመላልሰኒ። 36 ንልበይ ናብ ምስክራትካ
እምበር፣ ናብ ስስዔ ገንዘብ ኣይተዝብሎ። 37 ነዒንተይ ካብ ምርኣይ ከንቱነት ምለሰን፣ ብመገድኻ ህያው

ግበረኒ።

38 ነቲ ናብ ፍርሃትካ ዚመርሕ ቃልካ ኣብ ባርያኻ ኣጽንዓዮ። 39 ፍርድታትካ ሰናይ እዩ እሞ፡ ነቲ ዝፈርሆ ጸርፊ ኣርሕቐለይ። 40 እንሆ፡ ትእዛዛትካ እናፍቕ ኣሎኹ፡ ብጽድቅኻ ህያው ግበረኒ።

41 ዎ እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ቓልካ ምሕረትካን ምድሓንካን ይምጽኣኒ። 42 ኣብ ቃልካ ተወኪለ እየ እሞ፡ ነቲ ዚጸርፈኒ ምላሽ ክህቦ እየ። 43 ንፍርድታትካ እጽበ ኣሎኹ እሞ፡ ነቲ ቓል ሓቂ ኻብ ኣፈይ ፈጺምካ ኣይተግድፈኒ። 44 ኣነውን ንሕግኻ ኣዘውቲረ፡ ኵሉ ጊዜ፡ ንዘለኣለም ክሕልዎ እየ። 45 ትእዛዛትካ ድማ ደልየ እየ እሞ፡ ብገፊሕ ቦታ ኽመላለስ እየ። 46 ኣብ ቅድሚ ነገስታት ከኣ ምስክራትካ ኽዛረብ፡ ኣይክሐፍርን ድማ እየ።

47 በቲ ዘፍቅሮ ትእዛዛትካውን ባህ ክብል እየ። 48 ኣእዳወይ ድማ ናብቲ ዘፍቅሮ ትእዛዛትካ ኽልዕል፡ ስርዓታትካ ኽኣ ከስተንትን እየ።

49 ነቲ ንባርያኻ ዘተስፎኻዮ ቓል ዘክር። 50 ቃልካ ህያው ገይሩኒ እዩ እሞ፡ እዚ ኣብ መከራይ መጸናንዕየይ እዩ። 51 ትዕቢተኛታት ኣዝዮም ኣላገጹለይ፡ ኣነ ግና ካብ ሕግኻ ኣየግለስኩን። 52 ጐይታየ፡ ናይ ጥንቲ ፍርድታትካ እናሐሰብኩ፡ እጸናናዕ ኣሎኹ። 53 ብሰሪ እቶም ሕግኻ ዝሐደጉ ረሲኣን ብቝጥዓ ተቓጸልኩ። 54 ኣብ ቤት ግሽነተይ ስርዓታትካ መዝሙራተይ እዩ። 55 ዎ እግዚኣብሄር፡ ብለይቲ ስምካ ሐሰብኩ፡ ሕግኻውን ሐሎኹ። 56 ትእዛዛትካ ሐልየ እየ እሞ፡ እዚ ዕድለይ ኰነ። 57 ጐይታየ፡ ምሕላው ቃልካ ግደይ እዩ፡ በልኩ። 58 ብምሉእ ልበይ ኣባኻ እምህለል ኣሎኹ፡ ከም ቃልካ ምሐረኒ። 59 ንመገደይ ሐሰብኩ፡ ኣእጋረይውን ናብ ምስክራትካ መለስኩ። 60 ትእዛዛትካ ንምሕላው ቀልጠፍኩ እምበር፡ ኣይደንጐኹን። 61 ኣግማድ ረሲኣን ከበቡኒ፡ ሕግኻ ግና ኣይረሳዕኩን። 62 ስለቲ ጻድቕ ፍርድኻ ኽመስግነካ፡ ፍርቂ ለይቲ ኽትንስእ እየ። 63 ኣነ ብጾይ እቶም ዚፈርሁኻ ዅሎምን ትእዛዛትካ ዚሕልዉን እየ። 64 ጐይታየ፡ ምድሪ ብጸጋኻ መሊኣ ኣላ፡ ስርዓታትካ ምሀረኒ። 65 ዎ እግዚኣብሄር፡ ከም ቃልካ ንባርያኻ ሰናይ ገበርካሉ። 66 ትእዛዛትካ ኣሚነ ኣሎኹ እሞ፡ ሰናይ ምስትውዓልን ፍልጠትን ምሀረኒ። 67 ከይተዋረድኩ ተጋጊኹ፡ ሕጂ ግና ቓልካ እሕሉ ኣሎኹ። 68 ንስኻ ሰናይ ኢኻ እሞ፡ ሰናይ ትገብር ኣሎኻ፡ ስርዓታትካ ምሀረኒ። 69 ትዕቢተኛታት ሓሶት ይፍሕሱለይ ኣለዉ፡ ኣነ ግና ብምሉእ ልበይ ትእዛዛትካ እሕሉ ኣሎኹ። 70 ልቦም ከም ስብሒ ረጒደ፡ ኣነ ግና ብሕግኻ ባህ እብል ኣሎኹ። 71 ስርዓታትካ ምእንቲ ኽምሀር፡ ውርደተይ ሰናይ ኰነለይ። 72 ካብ ኣእላፋት ወርቅን ብሩርንሲ ሕጊ ኣፍካ ይሕሸኒ። 73 ኣእዳውካ ገበራንን ሰርሓንን፡ ትእዛዛትካ ኽምሀርሲ፡ ኣለብመኒ። 74 ንቓልካ ተጸብየ እየ እሞ፡ እቶም ዚፈርሁኻ ርእዮምኒ ኺሕጐሱ እዮም። 75 ጐይታየ፡ ፍርድኻ ጽድቂ ምዃኑ፡ ብሓቅኻውን ከም ዘዋረድካኒ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 76 ከምቲ ንባርያኻ ዝበልካዮ ቓል፡ ጸጋኻ መጸናንዒ ይኹነኒ። 77 ሕግኻ ደስታይ እዩ እሞ፡ ብህይወት ክነብርሲ፡ ምሕረትካ ይውረደኒ። 78 ዕቡያት ብሓሶት ጠውዮምኒ እዮም እሞ፡ ይሕፈሩ፡ ኣነ ግና ትእዛዛትካ ኤስተንትን ኣሎኹ። 79 እቶም ዚፈርሁኻን ምስክራትካ ዚፈልጡን ናባይ ይመለሱ። 80 ምእንቲ ኽይሐፍርሲ፡ ልበይ ብስርዓታትካ ፍጹም ይኹን። 81 ነፍሰይ ንምድሓንካ ትናፍቕ ኣላ፡ ንቓልካ እጽበዮ ኣሎኹ። 82 መኣዝ ኢኻ እተጸናንዓኒ፧ እናበልኩ፡ ብናፍቖት ቃልካ ኣዒንተይ ሐመቓ። 83 ከም ኣብ ትኪ ዘሎ ሓርቢ ኾንኩ፡ ስርዓታትካ ግና ኣይረሳዕኩን። 84 መዓልትታት ባርያኻ ኽንደይ እየን፧ ንሰጐጕተይከ መኣዝ ኢኻ እትፈርዶም፧ 85 እቶም ከም ሕግኻ ዘይነብሩ ትዕቢተኛታት ጒድጓድ ኰዐቱለይ። 86 ኵሉ ትእዛዛትካ ሓቂ እዩ፡ ብዘይ ምኽንያት ይሰጉኒ ኣለዉ፡ ርድኣኒ። 87 ካብ

ምድሪ ኼጥፍኡኒ ቐሩብ ተረፎም፣ ኣነ ግና ትእዛዛትካ ኣይሐደግኩን። 88 ከም ጸጋኻ ህያው ግበረኒ፣
ኣነውን ምስክር ኣፍካ ኽሕሉ እየ። 89 ዎ እግዚኣብሄር፣ ቃልካ ንዘለኣለም ኣብ ሰማይ ጸኒዑ ኣሎ። 90
ሓቅኻ ኻብ ወለዶ ንወለዶ እዩ፣ ንምድሪ ኣጽኒዕካያ፣ ንሳውን ትነብር ኣላ። 91 ብዘሎ ኹሉ ንኣኻ የገልግል
እዩ እሞ፣ ክሳዕ ሎሚ ኸም ሕጋጋትካ ቔይሙ ኣሎ። 92 ሕግኻ ደስታይ እንተ ዘይነብርሲ፣ ዛጊት
ብመከራይ ምጠፋእኩ ነይረ። 93 ብእኡ ህያው ጌርካኒ ኢኻ እሞ፣ ንትእዛዛትካ ከቶ ኣይክርስዖን እየ። 94
ትእዛዛትካ ደልየ እየ እሞ፣ ናትካ እየ፣ ኣድሕነኒ። 95 ረሲኣን፣ ምእንቲ ኼጥፍኡኒ፣ ይጸናተውኒ ኣለዉ፣ ኣነ
ግና ንምስክራትካ ኤስተብህሎ ኣሎኹ። 96 ኵሉ ፍጽምነት መወዳእታኡ ርኤኹ፣ ትእዛዛትካ ግና ኣዝዩ
ርሒብ እዩ። 97 ንሕግኻ እምብዛ ኣፍቀርክዎ፣ ምሉእ መዓልቲ ኤስተንትኖ ኣሎኹ። 98 ትእዛዛትካ ንሓዋሩ
ምሳይ እዩ እሞ፣ ሓለፋ ጸላእተይ ኣለበመኒ። 99 ምስክራትካ ምስትንታነይ እዩ እሞ፣ ሓለፋ ኹሎም
መምህራነይ ለባም ኰንኩ። 100 ትእዛዛትካ ሓልየ እየ እሞ፣ ሓለፋ እቶም ሽማግሌታት ኣእምሮ ኣሎኒ።
101 ቃልካ ምእንቲ ኽሕሉስ፣ ኣእጋረይ ካብ ክፉእ ዘበለ መገዲ ኸልከልኩ። 102 ንስኻ ምሂርካኒ ኢኻ
እሞ፣ ካብ ፍርድኻ ኣይርሐቕን እየ። 103 ቃላትካ ንትንሓገይ እምብዛ ጥዑም እዩ፣ ንኣፈይ ካብ መዓር
ዝበለጸ ይምቅራ። 104 ሳላ ትእዛዛትካ ኣእምሮ ረኸብኩ፣ ስለዚ ኹሉ መገዲ ሓሶት ጸላእኩ። 105 ቃልካ
ንእግረይ መብራህቲ፣ ንመገደይ ብርሃን እዩ። 106 ንፍርድታት ጽድቅኻ ኽሕሉ መሐልኩ፣ ኣጽናዕክዎ
ኸኣ። 107 ኣዝየ ተጨነቕኩ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ቃልካ ህያው ግበረኒ። 108 ዎ እግዚኣብሄር፣
ፍርድታትካ ምሀረኒ፣ እቲ ፈትየ ዘቕርበልካ መስዋእቲ ኣፈይ ባህ የብልካ። 109 ነፍሰይ ኵሉ ጊዜ ኣብ
ኢደይ እያ፣ ኣነ ግና ሕግኻ ኣይርስዕን እየ። 110 ረሲኣን መፈንጠርያ ኣጻውዱለይ፣ ኣነ ግና ካብ ትእዛዛትካ
ኣየግለስኩን። 111 ምስክራትካ ሓጐስ ልበይ እዩ እሞ፣ ንዘለኣለም ርስተይ ገበርክዎ። 112 ስርዓታትካ
ንሓዋሩ ኽሳዕ መወዳእታ ኽገብር፣ ልበይ ኣድነንኩ። 113 ክልተ ዝልቦም ጸላእኩ፣ ሕግኻ ግና ፈቶኹ። 114
ንስኻ መዕቈብየይን ዋልታይን ኢኻ፣ ብቓልካ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 115 ትእዛዛት ኣምላኸይ ክሕሉስ፣
ኣቱም ሕሱማት፣ ካባይ ርሐቑ። 116 ብህይወት ክነብርሲ፣ ከም ቃልካ ደግፈኒ፣ ብተስፋይ ድማ
ኣይተሕፍረኒ። 117 ምእንቲ ኽድሕን ደግፈኒ፣ ንስርዓታትካውን ኵሉ ጊዜ ኽቛመቶ እየ። 118 ተንኰሎም
ሓሶት እዩ እሞ፣ ነቶም ካብ ስርዓታትካ ዜግልሱ ኹሎም ትረግጾም። 119 ንስኻ ንኹሎም ረሲኣን ምድሪ
ኸም ሓርኢ ሓጺን ትጕሕፎም፣ ስለዚ ንምስክራትካ ኣፍቀርኩ። 120 ካብ ስምባድካ እተላዕለ ስጋይ
ይርዕድ፣ ፍርድኻውን የሸብረኒ ኣሎ። 121 ፍርድን ጽድቅን እገብር ኣሎኹ፣ ነቶም ጠቓዕተይ ኣሕሊፍካ
ኣይትሀበኒ። 122 ንባርያኻ ብሰናይ ተውሐሶ፣ ዕቡያት ኪጠቕዑኒ ኣይትፍቀደሎም። 123 ኣዒንተይ ብናፍቖት
ምድሓንካን ቃል ጽድቅኻን ሐመቓ። 124 ከም ጸጋኻ ንባርያኻ ግበረሉ፣ ስርዓታትካ ኸኣ ምሀረኒ። 125 ኣነ
ባርያኻ እየ፣ ምስክራትካ ኽፈልጥሲ፣ ኣእምሮ ሀበኒ። 126 ሕግኻ ኣፍሪሶም እዮም እሞ፣ እግዚኣብሄር
ግብሩ ዚገብረሉ ጊዜ እዩ። 127 ስለዚ ንትእዛዛትካ ኻብ ወርቂ፣ ካብ ጽሩይ ወርቂ ኣብሊጸ እፈትዎ
ኣሎኹ። 128 ስለዚ ትእዛዛትካ ዘበለ ኹሉ ቕኑዕ ምዃኑ እቈጽሮ፣ መገዲ ሓሶት ዘበለ ኸኣ እጸልእ ኣሎኹ።
129 ምስክራትካ መስተንክር እዩ፣ ስለዚ ነፍሰይ ትሕልዎ። 130 ምኽፋት ቃልካ የብርህ፣ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ። 131 ትእዛዛትካ ናፊቐ እየ እሞ፣ ኣፈይ ሃህ ኣቢለ እህህ እብል ኣሎኹ። 132 ከምቲ ነቶም ስምካ
ዚፈትዉ እትገብረሎም፣ ተመለሰንን ምሐረንን። 133 ንስጉምተይ ኣብ ቃልካ ኣጽንዓዮ፣ እከይ ድማ ከቶ
ኣይምለኸኒ። 134 ካብ መጥቃዕቲ ሰብ ተበጀወኒ፣ ኣነውን ትእዛዛትካ ኽሕሉ እየ። 135 ገጽካ ንባርያኻ
ኣብርሃሉ፣ ስርዓታትካ ኸኣ ምሀረኒ። 136 ሕግኻ ኣይሕልዉን እዮም እሞ፣ ኣዒንተይ ወሓዚ ማይ የፍስሳ
ኣለዋ። 137 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ጻድቕ ኢኻ፣ ፍርድኻ ድማ ቅኑዕ እዩ። 138 ብጽድቅን ብዕዙዝ ሓቅን
ምስክራትካ ኣዘዝካ። 139 ተጻረርተይ ቃልካ ረሲያም እዮም እሞ፣ ቅንኣተይ ይበልዓኒ ኣሎ። 140 ቃልካ

ኣዝዩ ጽሩይ እዩ፣ ባርያኻውን የፍቅሮ ኣሎ። 141 ኣነ፣ ንኡስን ንዑቕን እየ፣ ትእዛዛትካ ግና ኣይረሳዕኩን።
142 ጽድቅኻ ናይ ዘለኣለም ጽድቂ እዩ፣ ሕግኻውን ሓቂ እዩ። 143 መከራን ሽጋርን ረኺበኒ፣ ትእዛዛትካ ግና
ደስታይ እዩ። 144 ምስክራትካ ንዘለኣለም ጽድቂ እዩ፣ ኣእምሮ ሀበኒ እሞ፣ ብህይወት ክነብር እየ። 145
ብምሉእ ልበይ እምህለል ኣሎኹ ዎ እግዚኣብሄር፣ ምለሰለይ፣ ስርዓታትካ ኽሕሉ እየ። 146 ናባኻ
ተማህለልኩ፣ ኣድሕነኒ፣ ምስክራትካውን ክሕሉ እየ። 147 ቅድሚ ወጋሕታ መጺኤ ኣእዌኹ፣ ንቓልካ
እጽበ እኔኹ። 148 ንቓልካ ኼስተንትንሲ፣ ኣዒንተይ ነቶም ናይ ለይቲ ሓለውቲ ቐደማኦም። 149 ከም
ሳህልኻ ድምጻይ ስማዕ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ፍርድኻ ህያው ግበረኒ። 150 ንሕሰም ዚስዕቡ ይቐርቡ
ኣለዉ፣ ካብ ሕግኻ ረሓቑ። 151 ዎ እግዚኣብሄር፣ ቀረባ ኢኻ፣ ኵሉ ትእዛዛትካ ኸኣ ሓቂ እዩ። 152
ንዘለኣለም ከም ዝመስረትካዮ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚረ ብምስክራትካ ፈለጥኩ። 153 ሕግኻ ኣይረሳዕኩን እሞ፣
መከራይ ርኢኻ ኣናግፈኒ። 154 ጠበቓይ ኩን እሞ ተበጀወኒ፣ ከም ቃልካ ህያው ግበረኒ። 155 ረሲኣን
ስርዓታትካ ኣይደልዩን እዮም እሞ፣ ምድሓንካ ኻብኦም ረሓቐ። 156 ዎ እግዚኣብሄር፣ ርሕራሔኻ ዓብዩ
እዩ፣ ከም ፍርድኻ ህያው ግበረኒ። 157 ሰጐጕተይን ተጻረርተይን ብዙሓት እዮም፣ ኣነ ኻብ ምስክራትካ
ኣየግለስኩን። 158 ቃልካ ኣይሕልዉን እዮም እሞ፣ ንጠለምቲ ርእየ ፈንፈንክዎም። 159 ዎ እግዚኣብሄር፣
ንትእዛዛትካ ኸም ዘፍቅሮ ርኤ፣ ከም ሳህልኻ ህያው ግበረኒ። 160 ብዘሎ ቓልካ ሓቂ እዩ፣ ኵሉ ፍርዲ
ጽድቅኻ ድማ ንዘለኣለም ይነብር። 161 መሳፍንቲ ብዘይ ምኽንያት ሰጐጉኒ፣ ልበይ ግና ቃልካ እዩ
ዚፈርህ። 162 ከምቲ ብዙሕ ምርኮ ዝማረኸ፣ ብቓልካ ባህ ይብለኒ ኣሎ። 163 ንሓሶት እጸልኦን እፍንፍኖን፣
ንሕግኻ ግና ኤፍቅሮ ኣሎኹ። 164 ስለ ጽድቂ ፍርድኻ ኣብ መዓልቲ ሾብዓተ ሳዕ ኤመስግነካ ኣሎኹ። 165
እቶም ሕግኻ ዜፍቅሩ ብዙሕ ሰላም ኣለዎም፣ ዜዐንቅፎም ከኣ የልቦን። 166 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንምድሓንካ
ተጸቤኽዎ፣ ትእዛዛትካ ድማ ገበርኩ። 167 ነፍሰይ ንምስክራትካ ሐለወቶ፣ ኣዝየውን ኤፍቅሮ ኣሎኹ። 168
ኵሉ መገደይ ኣብ ቅድሜኻ እዩ እሞ፣ ትእዛዛትካን ምስክራትካን ሐሎኹ። 169 ዎ እግዚኣብሄር፣
ኣውያተይ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፣ ከም ቃልካ ኣእምሮ ሀበኒ። 170 ምህለላይ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፣
ከም ቃልካ ኣናግፈኒ። 171 ስርዓታትካ ምሂርካኒ ኢኻ እሞ፣ ከናፍረይ ምስጋናኻ ኼፈልፍላ እየን። 172
ኵሉ ትእዛዛትካ ጽድቂ እዩ እሞ፣ ልሳነይ ንቓልካ ኸትነግር እያ። 173 ትእዛዛትካ ሐርየ እየ እሞ፣ ኢድካ
ረዳኢተይ ትኹን። 174 ጐይታየ፣ ምድሓንካ እናፍቕ ኣሎኹ፣ ሕግኻውን ደስታይ እዩ። 175 ንነፍሰይ ህያው
ግበራ፣ ንሳ ኸኣ ከተመስግነካ እያ፣ ፍርድታትካውን ይርድኣኒ። 176 ከም ጥፍእቲ በጊዕ ተባረርኩ፣
ትእዛዛትካ ኣይረሳዕኩን እሞ፣ ንባርያኻ ድለዮ።

# ምዕራፍ 120

1 ብጸበባይ ናብ እግዚኣብሄር ኣእዌኹ፣ ንሱውን መለሰለይ። 2 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንነፍሰይ ካብ ሓሳዊት
ከንፈር፣ ካብ ወስላታ መልሓስ ኣናግፋ። 3 ኣቲ ወስላታ መልሓስ፣ እንታይ ኪህቡኺ፣ እንታይሲ
ኺውስኹኺ እዮም፧

4 ናይ ጅግና በላሕቲ ፍላጻ፣ ምስ ጓህሪ ሰራው። 5 ወይለይ፣ ኣብ ሜሴክ እሰፍር፣ ኣብ ማእከል ድንኳናት
ቄዳር እነብር ኣሎኹ።

6 ነፍሰይ ምስቶም ሰላም ዚጸልኡ፣ ብዙሕ ጊዜ ነበረት። 7 ኣነስ ሰላማዊ እየ፣ ንሳቶም ግና፣ እንተ
ተዛረብኩ፣ ንውግእ ይስለፉ ኣለዉ።

# ምዕራፍ 121

[1] ኣዒንተይ ናብ ኣኽራን ኤልዕል ኣሎኹ። ረዲኤተይ ካበይ እዩ ዚመጸኒ፧

[2] ረዲኤተይሲ ኻብቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ ዚመጸኒ። [3] ንሱ ንእግርኻ ኣየሰናኽልን፣
ሓላዊኻ ኣይታኽስን።

[4] እንሆ፣ እቲ ንእስራኤል ዚሕሉ ኣይታኽስን ኣይድቅስን እዩ። [5] እግዚኣብሄር ሓላዊኻ እዩ፣ እግዚኣብሄር
ኣብ የማነይቲ ኢድካ ጽላልካ እዩ።

[6] ጸሓይ ብመዓልቲ፣ ወርሒውን ብለይቲ ኣይኪወቕዓካን እዩ። [7] እግዚኣብሄር ካብ እኩይ ዘበለ
ኺሕልወካ፣ ንነፍስኻ ኺሕልዋ እዩ።

[8] እግዚኣብሄር ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ምውጻእካን ምእታውካን ኪሕሉ እዩ።

# ምዕራፍ 122

[1] ናብ ቤት እግዚኣብሄር ንኺድ፣ ምስ በሉኒ ተሓጐስኩ።

[2] ዎ የሩሳሌም፣ ኣእጋርና ኣብ ደጌታትኪ ቈይመን ኣለዋ።

[3] ኣቲ የሩሳሌም፣ ከም ንሓድሕዳ እተጋጠመት ከተማ ተሀነጽኪ። [4] እቶም ዓሌታት፣ ናይ እግዚኣብሄር
ዓሌታት፣ ከምቲ ምስክር እስራኤል ንስም እግዚኣብሄር ኪውድሱ ናብኣ ይድይቡ።

[5] ኣብኣ ዝፋናት ፍርዲ፣ ዝፋናት ቤት ዳዊት ተነቢሩ ኣሎ። [6] ንየሩሳሌም ሰላም ለምኑላ፣ እቶም
ዜፍቅሩኺ ኺለምዑ እዮም። [7] ኣብ ውሽጢ መካበብያኺ ሰላም፣ ኣብ ውሽጢ ኣዳራሻትኪ ኸኣ ልምዓት
ይኹን።

[8] ስለ ኣሕዋተይን ብጾተይን፣ ሰላም ይኹነልኪ፣ እብል።

[9] ስለ ቤት እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኢለ፣ ሰናይኪ እደሊ ኣሎኹ።

# ምዕራፍ 123

[1] ኣታ ኣብ ሰማያት እትነብር፣ ኣዒንተይ ናባኻ ኤልዕል ኣሎኹ። [2] እንሆ፣ ከምቲ ኣዒንቲ ባሮት ናብ ኢድ
ጐይታኦም፣ ከምቲ ኣዒንቲ ገረድ ናብ ኢድ እምቤታ ዚጥምታ፣ ከምኡውን ኣዒንትና፣ ንሱ ኽሳዕ
ዚርሕርሓልና፣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ይጥምታ ኣለዋ። [3] ምሐረና፣ ንዕቀት ኣዚና ጸጊብና ኢና እሞ፣
ጐይታየ፣ ምሐረና።

[4] ነፍስና ብላግጺ ሕንቁቓትን ብንዕቀት ዕቡያትን ኣዝያ ጸገበት።

# ምዕራፍ 124

1 እግዚኣብሄር ምሳና እንተ ዘይነብርሲ፣ ይበል እስራኤል፣ 2 እግዚኣብሄር ምሳና እንተ ዘይነብር፣ ሰብ
ኪትንስኡና ኸለዉ፣ 3 ሓርቖቶም ኣብ ልዕሌና ኺነድድ ከሎ፣ ሽዑ ብህይወት ከሎና ምወሐጡና፣ 4 ሽዑ
ማያት መጥሐለና፣ ውሒዝ ብልዕሊ ነፍስና ምወሐዘ፣

5 ሽዑ ዕቡይ ማያት ብልዕሊ ነፍስና ምሐለፈ ነይሩ።

6 እቲ ንምንጫቶ ኣስናኖም ከንከውን ዘይወፈየና እግዚኣብሄር ይባረኸ። 7 ነፍስና ኸም ዑፍ ካብ
መፈንጠራ ሃዳናይ ኣምለጠት፣ መፈንጠራ ተበትከ፣ ንሕናውን ኣምለጥና።

8 ረዲኤትና ብስም እቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር እዩ።

## ምዕራፍ 125

1 እቶም ብእግዚኣብሄር ዚውከሉ ኸምታ ዘይትናወጽ፣ ንዘለኣለም እትነብር ከረን ጽዮን እዮም። 2 ኣብ
ዙርያ የሩሳሌም ኣኽራን ኣሎ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ሕጂ ኽሳዕ ዘለኣለም ኣብ ዙርያ ህዝቡ እዩ። 3
ስለዚ ጻድቃን ኣእዳዎም ናብ ዓመጻ ኸይዝርግሑስ፣ በትሪ ረሲእነት ኣብ ርስቲ ጻድቃን ኣይነበርን እዩ።

4 ጐይታየ፣ ንሰናያትን ንቕኑዓት ልብን ሰናይ ግበረሎም። 5 ነቶም ናብ ጥውጥዋይ መገዶም ዜግልሱ ግና
እግዚኣብሄር ምስቶም ገበርቲ እከይ ኪሰዶም እዩ። ሰላም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ይኹን።

## ምዕራፍ 126

1 እግዚኣብሄር ንምሩኻት ጽዮን ምስ መለሶም፣ ከም ሓለምቲ ነበርና። 2 ሽዑ ኣፍና ብሰሓቕ፣
መልሓስናውን ብእልልታ መልኤ። ሽዑ ኣህዛብ፣ ነዚኣቶም እግዚኣብሄር ዓብዪ ግብሪ ገይሩሎም፣
ተባሃሁሉ። 3 እግዚኣብሄር ዓብዪ ግብሪ ገበረልና፣ ንሕናውን ተሐጐስና።

4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ንወሓይዝ ደቡብ ገርካ ንምሩኻትና ምለሶም።

5 ብንብዓት ዚዘርኡ ብእልልታ ይዐጽዱ። 6 ዘርኢ ተሰኪሞም ብብኽያት ይወፍር፣ እንዳእቱ ተሰኪሙ
ብእልልታ ይምለስ።

## ምዕራፍ 127

1 እግዚኣብሄር ንቤት እንተ ዘይሀነጸ፣ ሃነጽቲ ንኸንቱ ይጽዕሩ። እግዚኣብሄር ንኸተማ እንተ ዘይሐለዋ፣
ሓላዊ ንኸንቱ ይነቅሕ። 2 ኣንጊህኩም ምትንሳእኩም፣ ኣምሲኹም ምድቃስኩም፣ እንጌራ ጻዕሪ
ምብላዕኩም ከንቱ እዩ፣ እዝስ ንፍቁራቱ ደቂሶም ከለዉ ይህቦም እዩ። 3 እንሆ፣ ውሉድ ውህበት
እግዚኣብሄር እዮም። ፍረ ኸርሲ ኸኣ ዓስቢ እዩ። 4 ከምቲ ኣብ ኢድ ጅግና ዘሎ ፍላጻ፣ ውሉድ ንእስነት
ከምኡ እዮም። 5 ጕልድባኡ ብኣኦም ዝመልኤ ሰብኣይ ብጹእ እዩ፣ ኣብ ደገ ምስ ጸላእቲ እንተ ተዛረቡ፣
ኣይሐፍሩን እዮም።

# ምዕራፍ 128

1 ንእግዚኣብሄር ዚፈርህ፣ ብመገዱ ዚመላለስ ዘበለ ሰብ ብጹእ እዩ። 2 ዕዮ ኣእዳውካ ኽትበልዕ ኢኻ
እሞ፣ ብጹእ ኢኻ፣ ደሓንውን ክትረክብ ኢኻ። 3 ሰበይትኻ ኣብ ውሽጢ ቤትካ ኸም ፈራይት ወይኒ
ኽትከውን። ውሉድካ ኣብ ዙርያ መኣድኻ ኸም ተኽሊ ኣውሊዕ ኪኾኑ እዮም።

4 እንሆ፣ ንእግዚኣብሄር ዚፈርህ ሰብ ከምዚ ኢሉ ኺባረኽ እዩ። 5 እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን ኪባርኽካ፣
ኵለን መዓልትታት ህይወትካ ድማ ሰናይ የሩሳሌም ክትርኢ ኢኻ። 6 ደቂ ደቅኻውን ክትርኢ ኢኻ።
ሰላም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ይኹን።

# ምዕራፍ 129

1 ካብ ንእስነተይ ጀሚሮም ብዙሕ ጊዜ ኣጻበቡለይ፣ ይበል እስራኤል፣ 2 ካብ ንእስነተይ ጀሚሮም ብዙሕ
ጊዜ ኣጻበቡለይ፣ ግናኸ ኣይሰዐሩንን። 3 ሓረስቶት ኣብ ዝባነይ ሐረሱ፣ ትልምታቶም ኣንውሑ። 4
እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ፣ ኣግማድ ረሲኣን በተኸ። 5 ንጽዮን ዚጸልኡ ዅላቶም ይሕፈሩ፣ ንድሕሪትውን
ይመለሱ። 6-7 ከምቲ ሳዕሪ ናሕሲ፣ ዓጻዲ ኢዱ መሊኡ ዘይዐትረሉ፣ መልዓል እንዳእቲውን መሊኡ
ዘይሐቕፈሉ፣ ከይዐበየ ዚሃጕጕ ይኹኑ። 8 ሐለፍቲ መገዲ ድማ፣ በረኸት እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኹም
ይኹን፣ ብስም እግዚኣብሄር ንባርኸኩም ኣሎና፣ ኣይብሉን።

# ምዕራፍ 130

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ካብ ዓሚቕ ናባኻ ኣእዌኹ። 2 ጐይታየ፣ ድምጻይ ስማዕ፣ ኣእዛንካ ናብ ድምጺ
ምህለላይ የቕልባ። 3 ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣበሳ እንተ ተቘጻጸርካስ፣ ጐይታየ፣ መን ደው ኪብል እዩ፧

4 ግናኸ ምእንቲ ኺፈርሁኻ፣ ይቕሬታ ምሳኻ ኣሎ። 5 ንእግዚኣብሄር እጽበ፣ ነፍሰይ ትጽበ ኣላ፣
ብቓሉውን ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 6 ሓለፉ እቶም ወጋሕታ ዚጽበዩ ሐለውቲ፣ እወ፣ ሓለፉ እቶም
ወጋሕታ ዚጽበዩ ሓለውቲ ነፍሰይ ንእግዚኣብሄር ትጽበዮ ኣላ። 7 ሳህሊ ኣብ እግዚኣብሄር፣ ብዙሕ
ምድሓን ከኣ ኣብኡ እዩ እሞ፣ ዎ እስራኤል፣ ንእግዚኣብሄር ተጸበዮ።

8 ንሱውን ንእስራኤል ካብ ኵሉ ኣበሳኡ ኺድሕኖ እዩ።

# ምዕራፍ 131

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ልበይ ኣይተዐበየን፣ ኣዒንተይ ከኣ ልዕል ኣይበላን፣ ኣብ ዓብይን ዘየስተውዕሎን ነገር
ኣይመላለስን። 2 ንነፍሰይ ኣህዳእክዋ፣ ስቕ ኣበልክዋ፣ ከም ጡብ ዝሐደገ ሕጻን ኣብ ሕቝፊ ኣዲኡ፣
ነፍሰይ ከምቲ ጡብ ዝሐደገ ሕጻን ኣባይ ከምኡ እያ።

3 ኣታ እስራኤል፣ ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ብእግዚኣብሄር ተስፋ ግበር።

# ምዕራፍ 132

1 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንዳዊት ኵሉ መከራኡ ዘክረሉ። 2-5 ንሱ ንእግዚኣብሄር ከም ዝመሐለ፣ ቦታ
እግዚኣብሄር፣ መሕደሪ ነቲ ናይ ያእቆብ ስልጡን ክሳዕ ዚረክብሲ፣ ብሓቂ ናብ ድንኳን ቤተይ ኣይኣቱን፣
ኣብ መንጸፍ ዓራተይ ኣይድይብን፣ ነዒንተይ ድቃስ፣ ንኹብሮ ዓይነውን ስለምታ ኣይህብን፣ ኢሉ። ነቲ
ናይ ያእቆብ ስልጡን ከም እተመባጽዔ፣ ዘክረሉ። 6 እንሆ፣ ብዛዕባኣ ኣብ ኤፍራታ ሰማዕና፣ ኣብ መሮር
ያዓር ረኺብናያ። 7 ናብ ማሕደሩ ንእቶ፣ ኣብ መርገጽ እግሩ ንስገድ። 8 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻን ታቦት
ሓይልኻን ተንስእ፣ ናብ ቦታ ዕረፍትኻ ንዓ። 9 ካህናትካ ጽድቂ ይልበሱ፣ ቅዱሳንካ ድማ እልል ይበሉ።

10 ምእንቲ ዳዊት ባርያኻ ኢልካ ገጽ ቅቡእካ ኣይትምለስ። 11-12 እግዚኣብሄር ንዳዊት፣ ካብ ፍረ ኸርስኻ
ኣብ ዝፋንካ ከቐምጥ እየ፣ ውሉድካ ኺዳነይን ነቲ ዝምህሮም ምስክረይን እንተ ሐለዉ፣ ውሉዶም ድማ
ኣብ ዝፋንካ ንሓዋሩ ኺቕመጡ እዮም፣ ኢሉ ብሓቂ መሐለሉ፣ ካብኡ ኣይኪርሕቕን እዩ። 13
እግዚኣብሄር ንጽዮን ሐርይዋ እዩ እሞ፣ መሕደሪኡ ኽትከውን በሀጋ፣ 14 እዚኣ ንሓዋሩ መዕረፊተይ እያ፣
ብሂገያ እየ እሞ፣ ኣብዚኣ ኽነብር እየ። 15 ንሲሳያ ኣጸቢቐ ኽባርኾ፣ ንድኻታታ እንጌራ ኸጽግቦም እየ። 16
ንኻህናታ ምድሓን ከልብሶም እየ፣ ቅዱሳና ኸኣ ብሓጐስ እልል ኪብሉ እዮም። 17 ኣብኣ ቐርኒ ዳዊት
ከብቍል እየ፣ ንቕቡኤይ መብራህቲ ኣዳሎኹ። 18 ንጸላእቱ ነውሪ ኽልብሶም እየ፣ ኣብ ልዕሊኡ ግና
ዘውዲ ኺንጸባርቕ እዩ።

# ምዕራፍ 133

1 እንሆ፣ ኣሕዋት ብሓደ ሓቢሮም ኪነብሩስ፣ ክንደይ ሰናይን ክንደይ ጥዑምን እዩ። 2 ከምቲ ኽቡር
ዘይቲ ኣብ ርእሲ፣ ኣብ ጭሕሚ፣ ኣብ ጭሕሚ ኣሮን፣ ናብቲ ዘፈር ልብሱ ዚወርድ እዩ። 3 እግዚኣብሄር
ኣብኣ በረኸትን ህይወትን ንዘለኣለምን ኣዚዙ እዩ እሞ፣ ከምቲ ናብ ኣኽራን ጽዮን ዚወርድ ጠሊ ሄርሞን
እዩ።

# ምዕራፍ 134

1 እንሆ፣ ኣቱም ብለይቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር እትቼሙ ኵሉኹም ባሮት እግዚኣብሄር፣ ንእግዚኣብሄር
ባርኽዎ። 2 ኣእዳውኩም ናብ መቕደሱ ኣልዕሉ፣ ንእግዚኣብሄር ከኣ ባርኽዎ።

3 ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን ይባርኽካ።

# ምዕራፍ 135

1-2 ሃሌሉያ። ኣቱም ባሮት እግዚኣብሄር፣ ስም እግዚኣብሄር ኣመስግኑ፣ ኣቱም ኣብ ቤት እግዚኣብሄር፣
ኣብ ኣጸድ ቤት ኣምላኽና እትቼሙ፣ ኣመስግንዎ። 3 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ። ግሩም
እዩ እሞ፣ ንስሙ ምስጋና ዘምሩሉ። 4 እግዚኣብሄር ንያእቆብ ናቱ፣ ንእስራኤል ከኣ ጥሪቱ ኪኸውን
ሐረየ። 5 እግዚኣብሄር ዓብዩ ምዃኑ፣ ጐይታና ኣብ ልዕሊ ዅሎም ኣማልኽቲ ምዃኑ እፈልጥ ኣሎኹ

እሞ፣ 6 እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይን ምድን፣ ኣብ ባሕርን መዓሙቑን ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ። 7 ንግመ
ኻብ ወሰን ምድሪ የልዕሎ፣ ንመባርቕ ኣብ ዝናም ይገብሮ፣ ንንፋስ ካብ መዝገቡ የውጽኦ።

8 ንበኹሪ ግብጺ፣ ካብ ሰብ ክሳዕ እንስሳ፣ ወቕዔ። 9 ዎ ምስሪ፣ ኣብ ማእከልኪ፣ ኣብ ፈርኦንን ኣብ
ኩሎም ባሮቱን ትእምርትን ተኣምራትን ሰደደ። 10-11 ንዓበይቲ ኣህዛብ ወቕዔ፣ ንስልጡናት ነገስታት ከኣ፣
ንሲሆን ንጉስ ኣሞራውያንን ንኦግ ንጉስ ባሳንን ንኹሎም መንግስታት ከነኣንን ቀተለ። 12 ምድሮምውን
ንርስቲ ሀበ፣ ንህዝቡ እስራኤል ኣውርሶም። 13 ዎ እግዚኣብሄር፣ ስምካ ንዘለኣለም፣ ኣታ ጐይታይ፣
ዝኽርኻ ንውሉድ ወለዶ ይነብር። 14 እግዚኣብሄር ንህዝቡ ይብይነሎም እዩ እሞ፣ ንባሮቱ
ይርሕርሓሎም። 15 ጣኦታት ኣህዛብሲ ብኢድ ሰብ እተገብሩ ብሩርን ወርቅን እዮም። 16 ኣፍ ኣለዎም፣
ኣይዛረቡን፣ ኣዒንቲ ኣለዎም፣ ኣይርእዩን፣ 17 ኣእዛን ኣለዎም፣ ኣይሰምዑን እዮም። ኣብ ኣፎም ድማ
ትንፋስ የልቦን። 18 እቶም ዚገብርዎም ዚውከልዎም ዘበሉ ኸማታቶም ኪኾኑ እዮም። 19 ኣቱም ቤት
እስራኤል፣ ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ፣ ኣቱም ቤት ኣሮን፣ ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ፣ 20 ኣቱም ቤት ሌዊ፣
ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ፣ ኣቱም ንእግዚኣብሄር እትፈርሁ፣ ንእግዚኣብሄር ባርኽዎ።

21 ኣብ የሩሳሌም ዚነብር እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን ይባረኽ። ሃሌሉያ።

## ምዕራፍ 136

1 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ እሞ፣ ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ኣመስግንዎ። 2 ምሕረቱ
ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንኣምላኽ ኣማልኽቲ ኣመስግንዎ። 3 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣
ንጐይታ ጐይቶት ኣመስግንዎ። 4 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ በይኑ ዓብዪ ተኣምራት
ዝገበረ፣ 5 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ በእምሮ ንሰማያት ዝገበረ፣ 6 ምሕረቱ ንዘለኣለም
ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ ንምድሪ ኣብ ልዕሊ ማያት ዝዘርግሓ፣ 7 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ
ዓበይቲ ብርሃናት ዝገበረ፣ 8 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንጸሓይ ብመዓልቲ ዘሰልጠነ፣ 9
ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንወርሕን ከዋኽብትን ብለይቲ ዘሰልጠነ፣ 10 ምሕረቱ ንዘለኣለም
ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ ንግብጺ ብበኹሮም ዝወቕዔ፣ 11 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንእስራኤል
ከኣ ካብ ማእከሎም ዘውጽኤ፣ 12 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ብብርቱዕ ኢድን ብዝርጉሕ
ቅልጽምን፣ 13 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ ንባሕሪ ኤርትራ ኣብ ክልተ ዝመቐለ፣ 14
ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንእስራኤል ከኣ ብማእከላ ዘሕለፈ፣ 15 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር
እዩ እሞ፣ ንፈርኦንን ሰራዊቱን ድማ ኣብ ባሕሪ ኤርትራ ዘጥሐለ፣ 16 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ
እሞ፣ ነቲ ንህዝቡ ብበረኻ ኣቢሉ ዝመርሔ፣ 17 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ነቲ ንዓበይቲ
ነገስታት ዝወቕዖም፣ 18 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንስልጡናት ነገስታት ከኣ ዝቐተለ፣ 19
ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንሲሆን፣ ንጉስ ኣሞራውያን፣ 20 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ
እሞ፣ ንኦግ ንጉስ ባሳን ድማ፣ 21 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ምድሮምውን ንርስቲ ዝሀበ፣ 22
ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ንእስራኤል ባርያኡ ዘረስተየ፣ 23 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ
እሞ፣ እቲ ኣብ ውርደትና ዝዘከረና፣ 24 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ ካብ መጥቃዕትና ኸኣ
ዘናገፈና፣ 25 ምሕረቱ ንዘለኣለም ይነብር እዩ እሞ፣ እቲ ንኹሉ ስጋ ዚምግብ፣ 26 ምሕረቱ ንዘለኣለም
ይነብር እዩ እሞ፣ ንኣምላኽ ሰማይ ኣመስግንዎ።

# ምዕራፍ 137

1 ኣብ ጥቓ ርባታት ባቢሎን ተቐመጥና፣ ንጽዮን ምስ ዘከርና በኼና።

2 መሰንቆታትና ኣብቲ ኣብኡ ዘሎ ዕቦላት ሰቐልና። 3 እቶም ዝማረኹና ናይ መዝሙር ቃላት ካባና ደለዩ፣
እቶም ሰቀይትናውን፣ ሓደ መዝሙር ጽዮን ዘምሩልና፣ እናበሉ ኽንሕጐስ ለመኑና።

4 ከመይ ጌርና እሞ መዝሙር እግዚኣብሄር ኣብ ምድሪ ጓና ኽንዝምር፣

5 የሩሳሌመየ፣ እንተ ረሲዔክኸ፣ የማነይቲ ኢደይ ትረስዓኒ። 6 እንተ ዘይዘኪረኪ፣ ንየሩሳሌም ከኣ ሓለፋ
ኹሉ ሓጐሰይ እንተ ዘይገይረያስ፣ መልሓሰይ ኣብ ትንሓገይ ትጣበቕ። 7 ዎ እግዚኣብሄር፣ ነቶም፣
ኣፍርሱ፣ ክሳዕ መሰረታ ኣፍርስዋ፣ ዝበሉ ደቂ ኤዶም ብመዓልቲ የሩሳሌም ዘክሮም።

8 ኣቲ ኽትዐንዊ ዘሎኺ ጓል ባቢሎን፣ ሕነ እቲ ዝገበርክና ዚፈድየኪ ምስጉን እዩ።

9 ንሕጻናትኪ ሒዙ ኣብ ከውሒ ዚጭፍልቖም ምስጉን እዩ።

# ምዕራፍ 138

1 ብምሉእ ልበይ ኤመስግነካ፣ ኣብ ቅድሚ ኣማልኽቲ ምስጋናኻ እዝምር። 2 ንቓልካ ሓለፋ ኹሉ ስምካ
ኣዕቢኻዮ ኢኻ እሞ፣ ናብ ቅዱስ መቕደስካ ኣቢለ ኽሰግድ፣ ንስምካውን ስለ ሳህልኻን ሓቅኻን ኢለ
ኽመስግኖ እየ። 3 በታ ዝጸዋዕኩላ መዓልቲ መለስካለይ፣ ኣትባዕካኒ፣ ንነፍሰይ ኣበርታዕካያ።

4 ጐይታየ፣ ኵሎም ነገስታት ምድሪ፣ ቃላት ኣፍካ ሰሚዖም፣ ኬመስግኑኻ እዮም። 5 ክብሪ እግዚኣብሄር
ዓብዩ እዩ እሞ፣ ብዛዕባ መገድታት እግዚኣብሄር ኪዝምሩ እዮም። 6 እግዚኣብሄር ልዑል እዩ እሞ፣
ንትሑት ይርእዮ፣ ንዕቡይውን ካብ ርሑቕ የለልዮ። 7 ብማእከል መከራ እኳ እንተ ኸድኩ፣ ንስኻ ህያው
ትገብረኒ፣ ኢድካ ኣብ ኵራ ጸላእተይ ትዝርግሕ፣ የማነይቲ ኢድካውን ተድሕነኒ። 8 እግዚኣብሄር
ኪፍጽመለይ እዩ፣ ጐይታየ፣ ጸጋኻ ንዘለኣለም ይነብር፣ ንተግባር ኣእዳውካ ኣይትሕደጎ።

# ምዕራፍ 139

1 ጐይታየ፣ ንስኻ መርመርካኒ ፈለጥካኒውን። 2 ንምቕማጠይን ምትንሳኤይን ትፈልጦ፣ ንሓሳበይ ካብ
ርሑቕ ተስተውዕሎ። 3-4 ጐይታየ፣ ሓንቲ ቓል ኣብ መልሓሰይ ከየላስ፣ እንሆ፣ ኵሉ ትፈልጥ ኢኻ እሞ፣
ምኻደይን ምድቃሰይን ትምርምር፣ ንብዘሎ መገደይውን ኣጸቢቕካ ትፈልጦ ኢኻ። 5 ብድሕሪትን
ብቕድሚትን ከበብካኒ፣ ኢድካውን ኣንበርካለይ። 6 እዚ ፍልጠት እዚ ኣዝዩ ይገርመኒ፣ ልዑል እዩ፣
ከርክቦ ኣይክእልን። 7 ካብ መንፈስካ ናበይ ክኸይድ፣ ካብ ገጽካስ ናበይ ክህድም እየ፧ 8 ንሰማይ እንተ
ደይብኩ፣ ንስኻ ኣብኡ ኣሎኻ፣ መንጸፈይ ኣብ ሲኦል እንተ ኣንጸፍኩ፣ እንሆ፣ ንስኻ ኣብኡ ኢኻ። 9
ኣኽናፍ ወጋሕታ እንተ ወሰድኩ፣ ኣብ ወሰን ባሕሪ እንተ ተቐመጥኩ፣ 10 ኣብኡ ኸኣ ኢድካ ኽትመርሓኒ፣
የማነይቲ ኢድካውን ክትሕዘኒ እያ።

11 ጸልማት ይኸውለኒ፣ ኣብ ዙርያይ ዘሎ ብርሃን ከኣ ለይቲ ይኹን፣ እንተ በልኩ፣ 12 ንኣኻስ ጸልማት

እኳ ኣይጽልምተካን፣ ለይቲ ኸኣ ከም መዓልቲ ትበርህ፣ ጸልማትን ብርሃንን ንኣኻ ሓደ እዮም። 13
ንኹላሊተይ ንስኻ ፈጢርካየን፣ ኣብ ከርሲ ወላዲተይ ኣሊምካኒ፣ 14 መስተንክርን ድንቅን ጌርካ
ፈጢርካኒ ኢኻ እሞ፣ ከማስወካ እየ፣ ግብርታትካ መስተንክር እዩ፣ ነፍሰይውን ኣጸቢቓ ትፈልጦ። 15
ብሕቡእ ምስ ተፈጠርኩ፣ ኣብ ከርሲ ምድሪ ምስ ተኣለምኩ፣ ኣዕጽምተይ ኣይተኸወላኻን። 16
ኣዒንትኻ፣ ድቂ ኸሎኹ፣ ረኣያኒ፣ እተን ምዱባት መዓልትታተይ፣ ሓንቲ እኳ ኸይነበረት፣ ኵለን ኣብ
መጽሓፍካ ተጻሕፋ። 17 ዎ ኣምላኽ፣ ሓሳባትካ ንኣይ ክንደይ ክቡር እዩ፣ ቍጽሩስ ክንደይ ዓብዪ እዩ። 18
እንተ ቘጸርክዎ፣ ካብ ሑጻ ይበዝሕ፣ እንተ ነቓሕኩ፣ ገና ምሳኻ እየ። 19 ዎ ኣምላኽ ንረሲእ ኰታ እንተ
ትቐትሎ፣ ኣቱም ደመኛታት፣ ካባይ ርሓቑ። 20 ስምካ ብተንኰል ይሰምዩ፣ ጸላእትኻ ከንቱ ይዛረቡ። 21 ዎ
እግዚኣብሄር፣ ነቶም ጸላእትኻዶ ኣይጽልኣዮም፧ ነቶም ዚትንስኡኻስ ኣይፈንፍኖም፧ 22 ፍጹም ጽልኢ
እጸልኦም፣ ጸላእተይ እዮም። 23 ዎ ኣምላኽ፣ መርምረኒ፣ ልበይ ከኣ ፍለጥ፣ ፈትነኒ፣ ሓሳበይውን ፍለጥ።
24 መገዲ ዓመጻ እንተ ኣልዩኒ፣ ርኤ፣ ኣብቲ ናይ ዘለኣለም መገዲ ምርሓኒ።

# ምዕራፍ 140

1-2 ዎ እግዚኣብሄር፣ ካብቲ እኩይ ሰብ፣ ካብቲ ዓመጸኛ ሰብ ኣናግፈኒ፣ ካብቶም ብልቦም እከይ ዚህቅኑ፣
ኵሉ መዓልቲውን ውግእ ዜልዕሉ ሐልወኒ። 3 መልሓሶም ከም ኣትማን የብልሑ፣ ኣብ ትሕቲ ኸናፍሮም
ሕንዚ ኣፍዑት ኣሎ። 4 ዎ እግዚኣብሄር፣ ካብ ኣእዳው ረሲእ ባልሃኒ፣ ካብ ዓመጸኛ ሰብ፣ ካብቶም
ንስጕምተይ ኪሕንኵሉ ዚህቅኑ ሐልወኒ። 5 ዕቡያት መፈንጠራን ገመድን ሐብኡለይ፣ ኣብ ጥቓ መገዲ
መርበብ ዘርግሑ፣ መድፈና ኣጻወዱለይ። 6 ንእግዚኣብሄር፣ ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ፣ በልክዎ፣ ዎ
እግዚኣብሄር፣ ንድምጺ ምህለላይ ጽን በሎ። 7 ዎ እግዚኣብሄር፣ ጐይታይ፣ ሓይሊ ምድሓነይ፣ ብመዓልቲ
ውግእ ንርእሰይ ትጋርዳ። 8 ዎ እግዚኣብሄር፣ ከይዕበዩስ፣ ንረሲእ ትምኒቱ ኣይትፈጽመሉ፣ ሃቐናኡ
ኣይተስልጠሉ።

9 እቶም ዚኸቡንስ እከይ ከናፍሮም ኣብ ርእሶም ይምጻእ። 10 ጐሁር ፈሓም ይውደቖም፣ ናብ ሓዊ፣
ናብቲ ዘይወጹሉ ዓሚቝ ጕድጓድ ይደርበዮ። 11 ወስላታ መልሓስ ዘለዎ ኣብ ሃገር ኣይኪቐውምን፣
ንገፋዒ፣ ክሳዕ ዚወድቕ፣ እከይ ኪሀድኖ እዩ። 12 እግዚኣብሄርሲ ፍትሒ ንጭኑቓት፣ ቅንዕና ኸኣ
ንድኻታት ከም ዚገብረሎም፣ እፈልጥ እየ። 13 ብርግጽ፣ ጻድቃን ንስምካ ኺማስዉ፣ ቅኑዓት ኣብ
ቅድሜኻ ኺነብሩ እዮም።

# ምዕራፍ 141

1 ጐይታየ፣ ናባኻ ኤእዊ ኣሎኹ፣ ቀልጢፍካ ምጻኒ፣ ከጽውዓካ ኸሎኹ ንድምጻይን ጽን በሎ። 2
ጸሎተይ ኣብ ቅድሜኻ ኸም ዕጣን፣ ምልዓል ኢደይ ከም መስዋእቲ ምሸት ይኹን። 3 ጐይታየ፣ ንኣፈይ
ቀፎር ግበረሉ፣ ደገ ኸናፍረይ ሐሉ። 4 ምስ ገበርቲ እከይ ረሲእነት ከይገብርሲ፣ ንልበይ ናብ ክፍኣት
ኣይተዘምብሎ፣ ኣነውን ካብቲ ጥዑም ብልዖም ኣይብላዕ። 5 ጻድቕ ይውቅዓኒ፣ ለውሃት እዩ፣ ይዝለፈኒ፣
ዘይቲ ርእሲ እዩ፣ ርእሰይ ኣይእበዮ፣ ጸሎተይ ገና ብእከዮም እዩ። 6 ፈረድቶም ብገደል ምስ ጸደፉ፣
ቃላተይ ጥዑም ምኳኑ ኺሰምዑ እዮም። 7 ከምቲ ሰብ ንምድሪ ዚትልሞን ዚሐርሶን፣ ኣዕጽምትና ኸምኡ
ኣብ ኣፍ ሲኦል ተበተነ። 8 ዎ እግዚኣብሄር፣ ጐይታየ፣ ኣዒንተይ ናባኻ እየን፣ ኣባኻ እውከል ኣሎኹ፣

ንነፍሰይ ኣይትኽዕዋ።

9 ካብቲ ዜጻውዱለይ መጻወድያን ካብ መፈንጠራ ገበርቲ እከይን ሐልወኒ።

10 ኣነ ኽሐልፍ ከሎኹስ፣ ረሲኣን ኣብ መጻወድያኦም ይውደቑ።

## ምዕራፍ 142

1 ብድምጸይ ናብ እግዚኣብሄር ኤእዊ፣ ብድምጸይ ናብ እግዚኣብሄር እምህለል ኣሎኹ። 2 ጓህየይ ኣብ
ቅድሚኡ እኽዑ፣ ሽጋረይ ኣብ ቅድሚኡ እነግር። 3 መንፈሰይ ኣብ ውሽጠይ ምስ ማህመነ፣ መገደይ
ፈለጥካ፣ ኣብታ ዝሐልፉ መገዲ መፈንጠራ ሐብኡለይ። 4 ኣብ የማን ጠምት እሞ ርኤ፣ ዚፈልጠኒ
የልቦን፣ መዕቈቢ ሰኣንኩ፣ ንነፍሰይ ግዲ ዚገብረላ የልቦን። 5 ዎ እግዚኣብሄር፣ ናባኻ ኣእዌኹ፣ ንስኻ
መዕቈብየይ፣ ኣብ ምድሪ ህያዋን ግደይ ኢኻ። 6 ኣብ ብዙሕ መከራ እየ ዘሎኹ እሞ፣ ኣውያተይ ስማዕ፣
ሐይሎምኒ እዮም እሞ፣ ካብ ሰጐጕተይ ኣናግፈኒ። 7 ንስምካ ኽማሱስ፣ ንነፍሰይ ካብ ማእሰርቲ
ኣውጽኣያ፣ ሰናይ ክትገብረለይ ኢኻ እሞ፣ ጻድቃን ኪኸቡኒ እዮም።

## ምዕራፍ 143

1 ጐይታየ፣ ጸሎተይ ስማዕ፣ ንምህለላይ ጽን በሎ፣ ብሓቅኻን ብጽድቅኻን ምለሰለይ። 2 ህያው ዘበለ ኣብ
ቅድሜኻስ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን እሞ፣ ምስ ባርያኻ ኣብ ፍርዲ ኣይትእቶ። 3 ጸላኢ ንነፍሰይ ይሰጓ፣
ንህይወተይ ናብ ምድሪ ይድርብያ፣ ከምቶም ቀደም ዝሞቱ ኣብ ጸልማት የንብረኒ ኣሎ። 4 መንፈሰይ ኣብ
ውሽጠይ ይደክም፣ ልበይ ኣብ ውሽጠይ ይስምብድ ኣሎ። 5 ናይ ቀደም መዓልትታት እዝክር፣ ኵሉ
ተግባርካ ኤስተንትን፣ ግብሪ ኣእዳውካ እሐስብ ኣሎኹ። 6 ኣእዳወይ ናባኻ እዝርግሕ፣ ነፍሰይ ከም ደረቕ
ምድሪ ትጸምኣካ ኣላ። 7 ዎ እግዚኣብሄር፣ መንፈሰይ ደኺሙ እዩ እሞ፣ ቀልጢፍካ ምለሰለይ፣ ነቶም ኣብ
ጕድጓድ ዝወረዱ ኽይመስልሲ፣ ገጽካ ኣይትኸውለለይ። 8 ብኣኻ እውከል ኣሎኹ እሞ፣ ኣንጊህካ ሳህልኻ
ኣስምዓኒ፣ ነፍሰይ ናባኻ ኤልዕል ኣሎኹ እሞ፣ እታ ዝኸዳ መገዲ ኣፍልጠኒ። 9 ዎ እግዚኣብሄር፣ ዕቑባኻ
እየ፣ ካብ ጸላእተይ ኣናግፈኒ። 10 ንስኻ ኣምላኸይ ኢኻ እሞ፣ ምግባር ፍቓድካ ምሀረኒ፣ ሰናይ መንፈስካ
ብቕኑዕ መገዲ ይምርሓኒ። 11 ዎ እግዚኣብሄር፣ ስለ ስምካ ኢልካ ብህይወት ኣንብረኒ፣ ብጽድቅኻ
ንነፍሰይ ካብ ጸበባ ኣውጽኣያ። 12 ኣነ ባርያኻ እየ እሞ፣ ብሳህልኻ ንጸላእተይ ኣጽንቶም፣ ነቶም ንነፍሰይ
ዜጽብቡላ ኹሎም ከኣ ኣጥፍኣዮም።

## ምዕራፍ 144

1 እግዚኣብሄር እምባይ፣ ነእዳወይ ውግእ፣ ነጻብዔይ ድማ ሰልፊ ዝመሀረ፣ ይባረኽ። 2 ጸጋይ፣ ዕርደይ፣
እምባይ፣ መድሓንየይ፣ ዋልታይ፣ እቲ ዝውከሎ፣ ንህዝበይ ዜግዝኣለይ ንስኻ ኢኻ። 3 ዎ እግዚኣብሄር፣
ሰብ እንታይ እዩ እትፈልጦ፧ ወዲ ሰብከ እንታይ እዩ እትዝክሮ፧ 4 ሰብ ንትንፋስ ይመስል፣ መዓልትታቱ
ኸም ዚሐልፍ ጽላሎት እየን። 5 ዎ እግዚኣብሄር፣ ሰማያትካ ለጢቕ ኣቢልካ ውረድ፣ ነኽራን ተንክዮ እሞ፣
ኪተከኹ። 6 መባርቕ ኣባርቕ እሞ፣ በትኖም፣ ፍላጻታትካ ወርዊርካ ኣሽብሮም። 7 ኣእዳውካ ኻብ ላዕሊ
ዘርግሕ፣ ካብ ብርቱዕ ማያት፣ ካብ ኢድ ውሉድ ጓና ኣናግፈኒ። 8 ካብቶም ኣፎም ጥልመት ዚዛረቡ፣

የማነይቲ ኢዶም ከኣ የማነይቲ ሓሶት ዝኾነት ባልሃኒ። 9 ዎ ኣምላኸ፣ ሓድሽ መዝሙር እዝምረልካ፣
ዓሰርተ ብዘውታሩ በገና እውድሰካ ኣሎኹ። 10 ንነገስታት ዲል ዝሀብካ፣ ንዳዊት ባርያኻ ኻብ ክፉእ
ሰይፊ ዘድሐንካ ንስኻ ኢኻ። 11 ካብ ኢድ ውሉድ ጓና፣ ኣፎም ጥልመት ዚዛረብ፣ የማነይቲ ኢዶም
የማነይቲ ሓሶት ዝኾነት፣ ኣናግፈንን ባልሃንን። 12 ኣወዳትና ብጒብዝናኦም ከም ነዋሕቲ ኣትክልቲ
ይኹኑ፣ ኣዋልድና ኸም ኣተሃናንጻ ኣዳራሽ እተወቕረ ኣዕኑድ ኲርናዕ ይኹና፣ 13 መዓኽንና በብዓይነቱ
እኽሊ ይምላእ፣ ኣባጊዕና ኣብ መሮርና ኣሽሓትን ኣእላፋትን ይውለዳ፣ 14 ኣብዑርና ኣጸቢቖም
ይመንጒዱ፣ ኣብ ኣደባባያትናስ፣ ምጥሓስን ምህዳምን ኣውያትን ኣይኹን። 15 ከምዚ ዚረክብ ህዝቢ
ብጹእ እዩ፣ እቲ እግዚኣብሄር ዝኣምላኹ ህዝቢ ብጹእ እዩ።

## ምዕራፍ 145

1 ዎ ኣምላኸይ፣ ንጉሰይ፣ ልዕል ከብለካ፣ ስምካውን ንዘለኣለም ኣለም ክባርኽ እየ። 2 ኵሉ መዓልቲ
ኽባርኸካ፣ ስምካውን ንዘለኣለመ ኣለም ክውድስ እየ። 3 እግዚኣብሄር ዓብዪ እዩ እሞ፣ ምስጋና ይግብኦ፣
ዕብየቱ ዘይተመርማሪ እዩ። 4 ካብ ወልዶ ንወለዶ ግብርታትካ ይንእዱ፣ ስልጡን ተግባርካውን የውርዩ።

5 ንኽቡር ጌጽ ግርማኻን ንመስተንክር ግብርታትካን ከስተንትን እየ። 6 ብዛዕባ ሓይሊ እቲ ዜፍርህ
ግብርታትካ ኺዛረቡ እዮም፣ ኣነውን ዕቤትካ ኽዘንቱ እየ። 7 መዘከርታ ዓብዪ ሳህልኻ ኼውርዩ፣
ብጽድቕኻውን እልል ኪብሉ እዮም። 8 እግዚኣብሄር መሓርን ርሕሩሕን እዩ፣ ዓቃልን ብሳህሊ ዓብይን
እዩ። 9 እግዚኣብሄር ንዅሉ ሰናይ እዩ፣ ርሕራሔኡ ኸኣ ኣብ ኵሉ ግብርታቱ እዩ። 10 ዎ እግዚኣብሄር፣
ኵሉ ግብርታትካ ኼማስወካ፣ ቅዱሳንካውን ኪባርኹኻ እዮም። 11-12 ግብርታት ሓይልኻን ክቡር ግርማ
መንግስትኻን ንደቂ ሰብ ምእንቲ ኼፍልጡ፣ ክብሪ መንግስትኻ ኺዛረቡ፣ ስልጣንካውን ኪነግሩ እዮም።
13 መንግስትኻ መንግስቲ ዘለኣለም እያ፣ ግዝኣትካ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ ይነብር። 14 እግዚኣብሄር ነቶም
ዚወድቁ ዅሎም ይድግፎም፣ ነቶም ለጠቕ ዚብሉ ዅሎም የልዕሎም። 15 ኣዒንቲ ዅሎም ንኣኻ ይጽበያ፣
ንስኻውን በብጊዜኡ ምግቦም ትህቦም።

16 ኢድካ ትኸፍት እሞ፣ ንህያው ዘበለ ዅሉ ብበረኸት ተጽግቦ። 17 እግዚኣብሄር ብዅሉ መገዱ ጻድቕ
እዩ፣ ብዅሉ ግብሩውን ሕያዋይ እዩ። 18 እግዚኣብሄር ንዚጽውዕዎ ዅሎም፣ ብሓቂ ንዚጽውዕዎ ዅሎም
ቀረባኦም እዩ። 19 ፍቓድ እቶም ዚፈርህዎ ይፍጽም፣ ኣውያቶም ይሰምዕ የድሕኖም ከኣ። 20 እግዚኣብሄር
ንዜፍቅርዎ ዅሎም ይሕልዎም፣ ንዅሎም ረሲኣን ግና የጥፍኦም። 21 ኣፈይ ምስጋና እግዚኣብሄር
ይዛረብ፣ ኵሉ ስጋ ኸኣ ንቕዱስ ስሙ ንዘለኣለም ኣለም ይባርኾ።

## ምዕራፍ 146

1 ሃሌሉያ። ነፍሰየ፣ ንእግዚኣብሄር ኣመስግኒ። 2 ብህይወተይ ከሎኹ ንእግዚኣብሄር ከመስግኖ፣ ክሳዕ
ዘሎኹ ንኣምላኸይ ክውድሶ እየ።

3 ብመሳንፍቲ፣ በቲ ኺረድእ ዘይከኣሎ ወዲ ሰብ ኣይትወከሉ። 4 ትንፋሱ ይወጽእ፣ ናብ መሬት ይምለስ፣
በታ መዓልቲ እቲኣ ሃቐናኡ ይጠፍእ። 5 ኣምላኹ ያእቆብ ዝረዲኤቱ፣ ተስፋኡ ኸኣ ኣብ እግዚኣብሄር
ኣምላኹ ዝገበረ ሰብ ብጹእ እዩ። 6 ንሰማይን ምድርን፣ ንባሕርን ኣብኡ ዘሎ ዅሉን ዝገበረ፣ ንሓቂ ኽሳዕ

ዘለኣለም ዚሕሉ፣ [7] ንጥቑዓት ፍትሒ ዜውጽኣሎም፣ ንጥሙያት እንጌራ ዚህቦም ንሱ እዩ፣ እግዚኣብሄር ንእሱራት ይፈትሖም። [8] እግዚኣብሄር ነዒንቲ ዕውራት ይኽፍተን፣ እግዚኣብሄር ንዝደነኑ የቕንዖም፣ እግዚኣብሄር ንጻድቃን የፍቅሮም፣ [9] እግዚኣብሄር ንስደተኛታት የዕቍቦም፣ እግዚኣብሄር ንዘኽታምን መበለትን ይኣልዮም፣ ንመገዲ ረሲኣን ግና ይጠዋውያ። [10] እግዚኣብሄር ንዘለኣለም ይነግስ፣ ዎ ጽዮን፣ ኣምላኽኪ ንውሉድ ወለዶ ይነግስ። ሃሌሉያ።

## ምዕራፍ 147

[1] ሃሌሉያ። ንኣምላኽና ብመዝሙር ምውዳስ ሰናይ እዩ፣ ጥዑም እዩ እሞ፣ ምስጋና ይግባእ። [2] እግዚኣብሄር ንየሩሳሌም ይህንጽ፣ ንስዱዳት እስራኤል ይእከብ ኣሎ።

[3] ንልቦም እተሰብሩ ይፍውስ፣ ነቝሳሎም ይዘንን።

[4] ቍጽሪ ኸዋኽብቲ ይቈጽር፣ ንኹላቶም በብስሞም ይሰምዮም። [5] ጐይታና ዓብዪ እዩ፣ ሓይሉ ብርቱዕ እዩ፣ ምስትውዓሉ ወሰን የብሉን። [6] እግዚኣብሄር ንትሑታት ይድግፎም፣ ንረሲኣን ግና ኣብ ምድሪ የውድቖም። [7] ንእግዚኣብሄር ብምምሳው ዘምሩሉ፣ ንኣምላኽና ውዳሴ ብመሰንቆ ዘምሩሉ። [8] ነቲ ንሰማያት ብደበና ዚጐልብብ፣ ንምድሪ ዝናም ዜዳሉ፣ ናብ ኣኽራን ሳዕሪ ዜብቍል፣

[9] ነቲ ንእንስሳን ንዚምህለሉ ጨጫዊት ኳዃትን ዚምግብ ዘምሩሉ፣

[10] ንሓይሊ ፈረስ ኣይብህጎን፣ በእጋር ሰብ ኣይሕጐስን፣

[11] እግዚኣብሄር በቶም ዚፈርህዎ፣ ንጸጋኡውን ዚጽበዩ ይሕጐስ። [12-13] መሃርሃር መዓጹኺ ኣጽኒዑ፣ ንደቅኺ ኣብ ማእከልኪ ባሪኽዎም እዩ እሞ፣ ዎ የሩሳሌም፣ ንእግዚኣብሄር ኣመስግኒ፣ ዎ ጽዮን፣ ንኣምላኽኪ ወድሲ። [14] ኣብ ወሰናትኪ ሰላም ይገብር። ብስብሒ ስርናይ የጽግበኪ።

[15] ትእዛዙ ናብ ምድሪ ይሰድድ፣ ቃሉ ቐልጢፉ ይጐዪ። [16] ንበረድ ከም ጸምሪ ይህብ፣ ንኣስሓይታ ኸም ሓሙኹስቲ ይብትኖ። [17] ንበረዱ ኸም ርፍራፍ ይድርብዮ፣ ኣብ ቅድሚ ቝሩኽ መን ይቕውም፧ [18] ቃሉ ይሰድድ እሞ የምክኾ፣ ንፋሱ የንፍስ እሞ ማያት ይውሕዙ።

[19] ቃሉ ንያእቆብ፣ ስርዓታቱን ፍርድታቱን ንእስራኤል ነገረ። [20] ንኻልኦት ኣህዛብ ከምዚ ከቶ ኣይገበረሎምን፣ ፍርድታቱ ኸኣ ኣይፈለጡን። ሃሌሉያ።

## ምዕራፍ 148

[1] ሃሌሉያ። እግዚኣብሄር ካብ ሰማያት ኣመስግንዎ፣ ኣብ ኣርያም ኣመስግንዎ። [2] ኵሉኹም መላእኽቱ፣ ኣመስግንዎ፣ ብዘሎኹም ሰራዊቱ፣ ኣመስግንዎ። [3] ኣትን ጸሓይን ወርሕን፣ ኣመስግናኦ፣ ኣቱም ብሩሃት ከዋኽብቲ፣ ኣመስግንዎ።

[4] ኣቱም ናይ ሰማየ ሰማያትን ኣብ ልዕሊ ሰማያት ዘሎኹም ማያትን፣ ኣመስግንዎ።

[5] ንሱ ኣዚዙ፣ ተፈጢሮም እዮም እሞ፣ ንስም እግዚኣብሄር የመስግንዎ።

6 ንዘለኣለመ ኣለም ኣቑሞም፣ ዘይሐልፍ ሕጊ ኸኣ ሀቦም። 7 ንእግዚኣብሄር ካብ ምድሪ ኣመስግንዎ፣
ኣቱም ገበላት ባሕርን መዓሙቑን ኵልኹም፣

8 ኣቱም ሓውን በረድን ኣስሓይታን ግመን ቃሉ ኣተስልጥ ህቦብላን፣ 9 ኣቱም ኣኽራንን ኵረቢትን
ኵልኹም፣ ፈረይቲ ኣእዋምን ጽሕድታትን ኵልኹም፣

10 ኣራዊትን ኵላትኩም እንስሳን ለመም እትብሉን ነፈርቲ ኣዕዋፍን፣ 11 ነገስታት ምድርን ኵላትኩም
ኣህዛብን፣ መሳፍንትን ኵላትኩም ፈረድቲ ምድርን፣

12 ኣጕባዝን ጕራዙትን፣ ዓበይቲ ምስ ናኣሽቱ። 13 ስሙ በይኑ ልዑል እዩ፣ ግርማኡ ኣብ ልዕሊ ሰማይን
ምድርን እዩ እሞ፣ ንስም እግዚኣብሄር የመስግንዎ። 14 ንህዝቡውን ቀርኒ ኣልዐለ፣ ስለዚ ኹሎም
ቅዱሳኑ፣ ደቂ እስራኤል፣ እቲ ዚቐርቦ ህዝቢ፣ የመስግኖ ኣሎ። ሃሌሉያ።

# ምዕራፍ 149

1 ሃሌሉያ። ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መዝሙር፣ ምስጋናኡ ኸኣ ኣብ ማሕበር ቅዱሳን ዘምሩ። 2 እስራኤል
ብፈጣሪኡ ይተሐጐስ፣ ደቂ ጽዮን ብንጉሶም እልል ይበሉ። 3 ንስሙ ብሳዕሳዒት የመስግንዎ፣ ብኸበሮን
በገናን ይዘምሩሉ። 4 እግዚኣብሄር ንህዝቡ ብሂግዎም እዩ እሞ፣ ንትሑታት ብምድሓን ይስልሞም። 5
ቅዱሳን ብኽብሪ ይተሐጐሱ፣ ኣብ መደቀሲኦም እልል ይበሉ። 6-9 ንሳቶም ኣብ ኣህዛብ ሕነ ንምፍዳይ፣
ህዝብታት ከኣ ንምቕጻዕ፣ ንነገስታቶም ብሰንሰለት፣ ንኽቡራቶም ብመቑሕ ሓጺን ንምእሳር፣ ነቲ ጽሑፍ
ፍርዲ ኣብኣቶም ኪፍጽምዎስ፣ ምስጋና እግዚኣብሄር ኣብ ጕረሮኦም፣ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊውን ኣብ
ኢዶም ይኹን። እዚ ንኹሎም ቅዱሳኑ ኽብሪ እዩ። ሃሌሉያ።

# ምዕራፍ 150

1 ሃሌሉያ። ንኣምላኽ ኣብ መቕደሱ ኣመስግንዎ፣ ኣብ ጠፈር ስልጣኑ ኣመስግንዎ፣ 2 ስለቲ ግብርታት
ሓይሉ ኣመስግንዎ። ከም ብዝሒ ዕቤቱ ኣመስግንዎ። 3 ብድምጺ መለኸት ኣመስግንዎ፣ ብበገናን
መሰንቆን ኣመስግንዎ፣ 4 ብኸበሮን ብሳዕስዒትን ኣመስግንዎ፣ ብቓና ኣውታርን እምብልታን ኣመስግንዎ።
5 ጭልጭል ብዚብል ጸናጽል ኣመስግንዎ፣ ብጥዑም ዝደሃዩ ጸናጽል ኣመስግንዎ። 6 ትንፋስ ዘለዎ ኹሉ
ንእግዚኣብሄር የመስግኖ። ሃሌሉያ።

# መጽሓፍ ምሳሌ

## ምዕራፍ 1

1 ምስላታት ሰሎሞን፡ ወዲ ዳዊት ንጉስ እስራኤል፡ 2 ጥበብን ተግሳጽን ንምፍላጥ፡ ቃላት ፍልጠት
ንምስትውዓል፡ 3 ዜለብም ተግሳጽን ጽድቅን ፍርድን ቅንዕናን ንምቕባል፡ 4 ነቶም ገርህታትሲ ጥበብ፡
ንመንእሰይ ድማ ፍልጠትን ጥንቃቖን ንምሃብ እዩ። 5-6 እቲ ጠቢብ ንምሳሌን ትርጓሜን ዘረባ ጠቢባንን
ዓሚቑ ሓሳባቶምን ኬስተውዕልሲ፡ ነዚ ይስማዕ ፍልጠቱውን ይወስኽ፡ እቲ ለባም ከኣ ምኽሪ የጥሪ። 7
ፍርሃት እግዚኣብሄር ንጥበብ መጀመርያኣ እዩ፡ ዓያሱ ንጥበብን ትምህርትን ይንዕቅዎ። 8-9 ወደየ፡ እዚ
ንርእስኻ ዘውዲ ጸጋ፡ ንኽሳድካ ኸኣ ስልማት ድሪ እዩ እሞ፡ ንተግሳጽ ኣቦኻ ስምዓዮ፡ ንትምህርቲ
ወላዲትካ ድማ ኣይትሕደጎ። 10 ወደየ፡ ሓጥኣን እንተ ሓባበሉኻ፡ ሕራይ ኣይትበሎም። 11 ንሳቶም እንተ
በሉ፡ ምሳና ንዓ፡ ደም ከነፍስስሲ ነድቢ፡ ነቲ ንጹህ ብዘይ ምኽንያት መጻወድያ ነጻውደሉ፡ 12 ጠሪሶም
ናብ ጉድጓድ ከም ዚወርዱ፡ ብህይወውቶም ከለዉ ኸም ሲኦል ኳንና ንውሐጦም። 13 ክቡር ገንዘብ
ዘበለ ኽንረክብ፡ ነባይትና በቲ ዝዘመትናዮ ኽንመልኦ ኢና። 14 ዕጫኻ ምሳና ኣውድቕ፡ ናይ ኵልና
ማሕፉዳ ብሓደ ይኹን፡ እንተ በሉ፡ 15-16 ወደየ፡ ኣእጋሮምሲ ናብ ክፉእ ይጐያ፡ ንምፍሳስ ደም
ይቕልጥፋ እየን እሞ፡ መኻይዲ መገዶም ኣይትኹን፡ እግርኻስ ካብ መገዶም ደኣ ኸልክል። 17
መፈንጠራ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ ኹለን እንተ ኣኽናፍ ዘለወን ብኸንቱ ይጻወድ። 18 ንሳቶም ግና ንብገዛእ
ደሞም የድብዩሉ፡ ንብገዛእ ነፍሶም ከኣ ውዲት ይገብሩሉ። 19 መገዲ ነፍሲ ወከፍ ንህርፋን ረብሓ
እተዋህበ ኸምዚ እዩ፡ ንሳ ንነፍሲ ዋናኣ ተጥፍኣ። 20 ጥበብ ኣብ ወጻኢ ትጭድር፡ ኣብ ኣደባባያት ድምጻ
ተስምዕ። 21 ጫውጫው ኣብ ዘለዎ ጐደና ትጽውዕ፡ ኣብ ኣፍ ደጌታት፡ ኣብ ከተማ፡ ቃላት ትዛረብ፡ 22
ኣቱም ዓያሱ፡ ክሳዕ መኣዝከ ዕሽነት ክትፈትዉ ኢኹም መላገጽቲ ኸኣ ክሳእ መኣዝ ላግጺ ባህ ኪብሎም
ደናቕርቲውን ፍልጠት ኪጸልኡ እዮም። 23 ናብ ተግሳጻይ ተመለሱ፡ እንሆ፡ መንፈሰይ ከፈልፍለልኩም
ቃላተይ ከፍልጠኩም እየ። 24 ጸዊዔስ እምቢ ስለ ዝበልኩም፡ ኢደይ ዘርጊሔውን ዘስተብሀለ ስለ ዜልቦ፡
25 ኤረ ምኽረይ ዘበለ ደኣ ኣቤኹም፡ ተግሳጸይ ከኣ ኣተቐበልኩምን 26-27 ኣነውን፡ እቲ እትፍፈህዎ
ኸምጽእ ከሎ፡ እቲ ኣትፈርህዎ ኸም ህቦብላ ኺመጽእ፡ መከራ ኸም ሾምቦባ ኹይኑ ኺበጽሃኩም፡
ጸበባን ጭንቀትን ኪወርደኩም ከሎ፡ ብመከራኹም ክስሕቕ እየ፡ ኣነ ኸባጭወልኩም እየ። 28 ሽዑ ናባይ
ኪምህለሉ እዮም፡ ኣነ ግና ኣይክመልሰሎምን እየ፡ ኣንጊሆም ኪደልዩኒ፡ ግናኸ ኣይኪረኽቡንን እዮም። 29
ፍልጠት ስለ ዝጸልኡ፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ስለ ዘይመረጹ፡ 30 ምኽረይ ስለ ዘይፈተዉ፡ ንኹሉ ተግሳጸይ
ስለ ዝነዐቕዎ፡ 31 ፍረ መገዶም ኪበልዑ፡ ካብቲ ምኽሮም ከኣ ኪጸግቡ እዮም። 32 እወ፡ ነቶም ዓያሱ
ዕልወቶም ኪቐትሎም፡ ነቶም ደናቕርቲ ኸኣ እቲ ሸለል ምባሎም ኬጥፍኦም እዩ። 33 እቲ ዚሰምዓኒ ግና
ብደሓን ኪነብር፡ ንኽፉእ ከይፈርሄ ኸኣ ኪሀድእ እዩ።

## ምዕራፍ 2

1-2 ወደየ፡ እዝንኻ፡ ናብ ጥበብ ምእንቲ ኬቕልብ፡ ልብኻውን ናብ ምስትውዓል ምእንቲ ኺደንን
ኢልካስ፡ ንቓላተይ እንተ ተቐበልካዮ፡ ንትእዛዛተይ ከኣ ምሳኻ እንተ ኣርነብካዮ፡ 3 እወ፡ ነእምሮ እንተ

ጸዋዕካያ፡ ንምስትውዓል ከኣ እንተ ኣድሄኻያ፡ 4 ከም ንብሩር ጌርካ እንተ ደሊኻያ፡ ከም ንሕቡእ መዝገብ
ጌርካ ኸኣ ሃለው እንተ በልካያ፡ 5 ሽዑ ንፍርሃት እግዚኣብሄር ከተስተውዕሎ፡ ንምፍላጥ ኣምላኽ ከኣ
ክትረኽቦ ኢኻ። 6 እግዚኣብሄር ጥበብ ይህብ እዩ እሞ፡ ፍልጠትን ምስትውዓልን ካብ ኣፉ እየን ዚወጻ።
7-8 ንመገዲ ቕንዕና ኼዕቍባ፡ ንመገዲ እቶም ቅዱሳኑ ኸኣ ኪሕልዋስ፡ ነቶም ቅኑዓት ደሓን
ይእርንበሎም፡ ብዘይ ጽያፍ ንዚመላለሱ ኸኣ ዋልታኦም እዩ። 9 ሽዑ ጽድቅን ፍርድን ቅንዕናን፡ ኤረ ኹሉ
ሰናይ መገዲ ኽተስተውዕል ኢኻ። 10 ጥበብ ናብ ልብኻ ኽትኣቱ እያ፡ ፍልጠት ከኣ ንነፍስኻ ባህ ኬብላ
እዩ እሞ፡ 11-12 ካብ ክፉእ መገዲ፡ ካብቶም ቄናን ዚዛረቡ ሰባት ከተናግፈካስ፡ ምኽሪ ኽትሕልወካ፡
ምስትውዓል ከኣ ከተዕቍበካ እያ። 13 ንሳቶም ብመገዲ ጸልማት ምእንቲ ኺመላለሱስ፡ ንመገዲ ቕንዕና
ይሐድግዋ፡ 14 ንሳቶም ክፉእ ብምግባር ይሕጐሱ፡ ብቘናን ነገርውን ባህ ይብሎም። 15 ንሳቶም ኣብ
መገድታቶም ይጠዋውዩ፡ ቄናን መገድታት ከኣ ይኸተሉ። 16-17 ካብታ ንፈታዊ ንእስነታ ዝሀደገቶ፡
ንኺዳን ኣምላኻውን ዝረስዓቶ ዘማዊት ሰበይቲ፡ ካብታ ልዙብ ዝቓላ ኣመንዝራ ኽተናግፈካ እያ። 18
ቤታ ናብ ሞት፡ መገዳ ኸኣ ናብ ምዉታት ዜንቈልቍል እዩ እሞ፡ 19 ካብቶም ናብኣ ዚኣትዉ ሓደ እኳ
ዚምለስ የልቦን፡ ንመገዲ ህይወትውን ኣይረኽብዋን እዮም። 20-21 እቶም ቅኑዓት ኣብ ምድሪ እዮም
ዚነብሩ፡ እቶም ፍጹማት ከኣ ኣባ እዮም ዚተርፉ፡ እምብኣርሲ ንስኻ ኣብታ መገዲ ሰናያት ተመላለስ፡
ንመገዲ ጻድቃንውን ሐልዋ። 22 ረሲኣን ግና ካብ ምድር ኺጸንቱ፡ እቶም ጠለምቲ ኸኣ ካብኣ ኺምትቈሱ
እዮም።

## ምዕራፍ 3

1-2 ወደየ፡ ምንዋሕ መዓልትታትን ዓመታት ህይወትን ሰላምን ኪውሰኸልካ እዩ እሞ፡ ንሕገይ
ኣይትረስዓዮ፡ ልብኻውን ንትእዛዛተይ ይሐልወን። 3 ሕያውነትን ሓቅን ካባኻ ኣይፈለያ፡ ኣብ ክሳድካ
እሰረን፡ ኣብ ጽላት ልብኻውን ጽሐፈን። 4 ሽዑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን ሞገስን ጽቡቕ ልቦናን
ክትረክብ ኢኻ። 5 ብምሉእ ልብኻ ብእግዚኣብሄር ተኣመን፡ ኣብ ልቦናኻ ኣይትጸጋዕ። 6 ኣብ ኵሉ
መገድኻ ንእኡ ሕሰብ፡ ንሱ ኸኣ ኣኻይዳኻ ኬቕንዕ እዩ። 7 ባዕለይ እፈልጥ ኣይትበል፡ ንእግዚኣብሄር
ፍራህ፡ ካብ ክፉእ ከኣ ርሐቕ። 8 እዚ ንሕምብርትኻ ፈውሲ ነዕጽምትኻውን ኣንጕዕ ኪኾነካ እዩ። 9
ብጥሪትካን ብኹሉ በዂሪ ፍርያትካን፡ንእግዚኣብሄር ኣኽብሮ። 10 ሽዑ ቆፋፉኻ ብብዝሒ ኺመልእ፡
መጽመቕኻ ኸኣ ብኹልዒ ወይኒ ኪቕጸጽ እዩ፡ 11-12 ወደየ፡ ከምቲ ኣቦ ንዘፍቅሮ ውሉዱ ዝቐጽዖ፡ ከምኡ
ኸኣ እግዚኣብሄር ንዘፍቅሮ ይቐጽኦ እዩ እሞ፡ ተግሳጽ እግዚኣብሄር ኣይትንዓቕ፡ እንተ ቐጽዓካ ኸኣ
ኣይትመረር። 13 እቲ ጥበብ ዚረክብ፡ ኣእምሮውን ዜጥሪ ሰብ ብጹእ እዩ። 14 ከምይሲ ኻብቲ ብሩር ዜጥሪ
ንእኣ ዜጥሪ ይበልጽ፡ እቲ ብእኣ ዚርከብ ረብሓ ኸኣ ካብ ጽሩይ ወርቂ ይበልጽ እዩ። 15 ካብ ዕንቍ
ትኸብር፡ ኵሉ እቲ ሃረር እትብሎ ነገር እኳ ኣይመዐራረያን። 16 ኣብ የማና ነዊሕ ዕድመ፡ ኣብ ጸጋማ ኸኣ
ሃብትን ክብረትን ኣለዋ። 17 ጐደናኣ ጐደና ሓጐስ፡ ብዘሎ መገዳ ኸኣ ሰላም እዩ። 18 ንዚሕዝዋስ ኦም
ህይወት እያ፡ ኣጽኒዑ ዚሕዛ ዘበለ ኸኣ ብጹእ እዩ። 19 እግዚኣብሄር ንምድሪ ብጥበብ ሰረታ፡ ንሰማያት
ከኣ ብምስትውዓል ኣጽንዖ። 20 ብፍልጠቱ መዓሙቕ ይኸፍት፡ ደበናታትውን ኣውሊ የንጠብጥብ። 21
ወደየ፡ ነዚኤን ካብ ዓንይኻ ኣይትፍለየን፡ ንጥበብን ንምኽርን ተጠንቀቐካ ሐዘን። 22 ንሳተን ንነፍስኻ
ህይወት፡ ንኽሳድካ ኸኣ ስልማት ኪኾናኻ እየን። 23 ሽዑ ሀዲእካ መገድኻ ኽትከይድ፡ እግርኻውን
ኣይክትዕንቀፍን ኢኻ። 24 እንተ ተገምሰስካ ኣይክትብህርርን ኢኻ፡ በጥ ክትብል ኢኻ፡ ድቃስካውን

ኪጥዕም እዩ። [25-26] እግዚኣብሄር እምንቶኻ ኪኸውን፡ ኣእጋርካ ኸይፍንጠራ ኸኣ ኪሕልወን እዩ እሞ፡
ካብቲ ናይ ድንገት ሰምባድ፡ ካብቲ ንረሲኣን ዚመጾም ጥፍኣት ኣይትሸበር። [27] ኢድካ ኽትገብረሉ ዚከኣላ
እንተ ኾይኑስ፡ ነቲ ዚግብኦ ሰብ ሰናይ ኣይትኽልኣዮ። [28] ዚወሃብ ከሎካስ፡ ንብጻይካ፣ ኪድ እሞ
ተመለስ፡ ጽባሕ ክህበካ እየ ኣይትበሎ። [29] ንብጻይካ፡ ኣሚኑካ ምሳኻ ኺነብር ከሎ፡ ኣይትተናኾለሉ። [30]
ምስ ዘይበደለካ ሰብ ብኸምኡ ኣይትበኣስ። [31] ብገፋዒ ሰብ ኣይትቕናእ፡ መገዱ ዘበለ ኹሉ ኣይትምረጽ።
[32] እግዚኣብሄር ነቲ ቘናን ይፍንፍኖ፡ ምስጢሩ ግና ምስቶም ቅኑዓት እዩ። [33] መርገም እግዚኣብሄር ኣብ
ቤት ረሲእ እዩ፡ ንማሕደር ጻድቃን ግና ይባርኾ። [34] ንሱ ንመላገጽቲ የላግጸሎም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ
ይህቦም። [35] ጠቢባን ክብሪ ኺወርሱ እዮም፡ ዓያሱ ግና ልዕልናኦም ውርደት እዩ።

## ምዕራፍ 4

[1] ኣቱም ቈልዑ፡ ተግሳጽ ወላዲ ስምዑ፡ ልቦና ኽትፈልጡ ኸኣ ኣቕልቡ። [2] ጽቡቕ ትምህርቲ እህበኩም
ኣሎኹ እሞ፡ ንሕገይ ኣይትሕደግዎ። [3] ኣነውን ነቦይ ውሉድ፡ ንወላዲተይ ከኣ ሕጻንን ሓደ ጥራይን
ነበርኩ። [4] ሽዑ ኣስተምሀርኒ በለኒውን፡ ልብኻ ንቓላተይ ኣጽኒዑ ይሐዞ። ንትእዛዛተይ ሓልዎ እሞ፡
ብህይወት ክትነብር ኢኻ። [5] ንጥበብ ኣጥርያ፡ ንምስትውዓል ኣጥርያ፡ ንቓል ኣፈይ ኣይትረስዓዮ፡
ካብኡውን ኣይትዘምብል። [6] ኣይትሕደጋ፡ ንሳ ኸኣ ክትሕልወካ፡ ኣፍቅራ፡ ንሳውን ክተዕቍበካ እያ። [7]
ጥበብ ኣውራ ነገር እያ እሞ፡ ንጥበብ ኣጥርያ፡ እወ፡ ብኹሉ ጥሪትካ ንምስትውዓል ኣጥርያ፡ [8] ልዕል
ኣብላ፡ ንሳውን ክብ ክተብለካ እያ። እንተ ሐቘፍካያ፡ ከተኽብረካ እያ። [9] ኣብ ርእስኻ ዘውዲ ጸጋ
ኽትደፍኣልካ፡ ዝጸበቐ ኣኽሊል ከኣ ክትህበካ እያ። [10] ወደየ፡ ስማዕ፡ቃለይ ድማ ተቐበል፡ ዓመታት
ዕድሜኻውን ኪበዝሕ እዩ። [11] ብጐደና ጥበብ መሃርኩኻ፡ ብመገዲ ቕንዕና መራሕኩኻ። [12] ከትከይድ
ከሎኻ፡ ስጉምትኻ ኣይኪሐጽርን፡ እንተ ጐየኻውን ኣይክትዕንቀፍን ኢኻ። [13] ህይወትካ እያ እሞ፡
ንተግሳጽ ሐዛ፡ ኣይትሕደጋ፡ ሐልዋውን፡ [14] ናብ መገዲ ረሲኣን ኣይትእቶ፡ ብጐደና እቶም እኩያት ከኣ
ኣይትኺድ። [15] ካብኣ ርሐቕ፡ ብእኣ ኣይትሕለፍ፡ ኣግልሰላ፡ ክንየዋ ኺድ። [16-17] እንጌራ ረሲእነት
ይበልዑ፡ ወይኒ ዓመጻ ድማ ይሰትዩ፡ እከይ ከይገብሩ ኸኣ ኣይድቅሱን እዮም እሞ፡ ገለ እንተ
ዘየውደቑስ፡ ድቃስ ካብኦም ይበርር። [18] መገዲ ጻድቃን ግና ከም ብርሃን ወገግታ እያ፡ ፍጹም መዓልቲ
ኽሳዕ ዚኸውን ከኣ፡ እናወሰኸት ትበርህ። [19] መገዲ ረሲኣን ግና ከም ጸልማት እያ፡ እንታይ ከም
ዚዕንቅፎም ኣይፈልጡን። [20] ወደየ፡ ናብ ቃላተይ ኣቕልብ፡ ኣዝንኻ ናብ ዘረባይ ኣድንን። [21-22] ንዝረኽበን
ህይወቱ፡ ንብዘሎ ስጋኡ ኸኣ ፈውሱ እየን እሞ፡ ካብ ቅድሚ ዓይንኻ ኣይተርሕቀን፡ ኣብ ውሽጢ ልብኻ
ዕቈረን። [23] ህይወት ካብኡ እያ እትፍልፍል እሞ፡ ልዕሊ ኹሉ ንልብኻ ሓልዎ። [24] ንለግመኛ ኣፍ ካባኻ
ደርብዮ፡ ንውስልትና ኸናፍር ከኣ ካባኻ ኣርሕቆ። [25] ኣዒንትኻ ቀኒዔን ይርኣያ፡ ቈላሕታኻውን
ንቕድሚት ይጠምታ። [26] ንመገዲ እግርኻ ኣቕንዓያ፡ ኵሉ ጐደናኻ ምዱብ ይኹን። [27] ንየማን ወይስ
ንጸጋም ኣይተግልስ፡ ንእግርካ ኻብ እከይ ኣርሕቆ።

## ምዕራፍ 5

[1-2] ወደየ፡ ምኽሪ ኽተጽንዕ፡ ከናፍርካውን ፍልጠት ምእንቲ ኺሕዛስ፡ ናብ ጥበበይ ኣቕልብ፡ ናብ
ምስትውዓለይውን እዝንኻ ኣድንን። [3] ከናፍር ኣመንዝራ ሰበይትስ መዓር ወለላ የንጠብጥብ፡ ኣፉ ኸኣ

ካብ ዘይቲ ትልስልስ። 4 መወዳእታኣ ግና ከም ዕረ መሪር፡ ክልተ ኣፍ ከም ዘለዎ ሴፍ ከኣ በሊሕ እዩ። 5
ኣእጋራ ናብ ሞት ይወርዳ፡ ስጕምታ ናብ ሲኦል ይበጽሕ። 6 ንመገዲ ህይወት ከይትረኽባስ፡ በኻይዳኣ
ኹብላሊት እያ እሞ፡ ኣይትፈልጥን እያ። 7 ኣቱም ደቀየ፡ እምበኣርሲ ሕጂ ስምዑኒ፡ ካብ ቃላት ኣፈይ
ከኣ ኣይትርሐቑ። 8 መገድኻ ኻብኣ ኣርሕቕ፡ ናብ ደገ ቤታ ኣይትቕረብ። 9 ክብርኻ ንኻልእ፡ ዕድሚኻውን
ንጨካን ከይትህብ፡ 10 ብጥሪትካ ኻልኦት ከይጸግቡ፡ ፍረ ድካምካውን ናብ ቤት ካልእ ከይሐልፍ፡ 11
ኣብ መጠረስታ ነፍሰ ስጋኻ ምስ ተወድኤ፡ ከይተልቅስ እሞ፡ 12-14 ከመይከ ንተግሳጽ ጸላእክዎ፡ ልበይሲ
ንዘለፋ ነዐቐ፡ ስለምንያትከ ድምጺ መምህራነይ ዘይሰማዕኩ፡ ናብቶም ዜስተምህሩንስ ኣእዛነይ ዘየድነንኩ
ኣብ ማእከል ማሕበርን ጉባኤን ናብ ክፉእ ዘበለ ኵሉ ንምብጻእ ቅሩብ ተሪፉኒ ነይረ፡ ከይትብልሲ፡
መገድኻ ካብኣ ኣርሕቕ። 15 ማይሲ ኻብ ዔላኻ ደኣ፡ ካብቲ ዚፍልፍል ምንጭኻ ደኣ ስተ። 16 ምንጭኻ
ንወጻኢ፡ ርባታትካስ ናብ ኣደባባያትዶ ይፈስስ ኣሎ እዩ 17 ንኣኻ ጥራይ ይኹን፡ ጓኖት ኣይካፈሉኻ። 18
ምንጭኻ ይባርኽ፡ በታ ሰበይቲ ንእስነትካ ባህ ይበልካ። 19 ፍትውቲ ዋላ፡ ጽብቕቲ ሜዳቖ ትኹነልካ፡
እቲ ኣጥባታ ኹሉ ጊዜ የዕግብካ፡ ብፍቕራውን ወርትግ ተመሰጥ። 20 ኣታ ወደይ፡ ስለምንታይ ጓና ሰበይቲ
እተፍቅር ሰበይቲ እማትካስ እትሐቍፍ 21 እምብኣርሲ መገዲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ
እግዚኣብሄር እዩ፡ ነኻይዳኡውን ንሱ ይምልከቶ። 22 እቲ ረሲእ ብኣበሳኡ ይሕንኰል፡ በግማድ ሓጢኣቱ
ኸኣ ይእሰር። 23 ንሱ ሰኣን ተግሳጽ ይመውት፡ በቲ ዓብዪ ድንቍርናኡ ኸኣ ይጋገ።

# ምዕራፍ 6

1 ወደየ፡ ንብጻይካ እንተ ተውሐስካ፡ ስለ ጓና ኸኣ ኢድ እንተ ጠቃዕካ፡ 2 ብቓላት ኣፍካ ተትሐዝካ፡
ብቓላት ኣፍካ ተፈንጠርካ። 3 ወደየ፡ ኣብ ኢድ ብጻይካ ኻብ ወደቕካስ፡ ምእንቲ ኽትግርነ፡ ከምዚ ግበር፡
ኪድ እሞ ተደፊእካ ንብጻይካ ነዝንዞ፡ 4 ንዓይንኻ ድቃስ፡ ንቕርኒብካ ትኽስታ ኣይትሀብ፡ 5 ከምቲ ሜዳቑ
ካብ ኢድ ሃዳኒ ዑፍውን ካብ ኢድ ኣፈንጣሪ ዜምልጣ፡ ንርእስኻ ኣድሕን። 6 ኣታ ሃካይ፡ ናብ ጻጸ ኺድ፡
መገዱ ተመልከት እሞ ጠቢብ ኩን። 7 ወይ ሓለቓ ወይ ኣዛዚ የብሉን፡ 8 ግናኸ ቀለቡ ብሓጋይ የዳሉ፡
ምግቡ ድማ ብቐውዒ ይእክብ። 9 ኣታ ሃካይ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ በጥ እትብል መኣዝከ ኢኻ ኻብ ድቃስካ
እትትንስእ 10 ሓንሳእ ምድቃስ፡ ሃንሳእ ከኣ ምትካስ፡ ሓንሳእ ምእንቲ ኽትዐርፍውን ኣእዳውካ
ምምስቃል፡ 11 ድሕርዚ ኸኣ ድኽነትካ ኸም ፈጣን መንገደኛ፡ ስእነትካ ድማ ከም ኣጽዋር እተዐጥቀ
ሰብኣይ ይመጸካ። 12 ሕሱም ሰብ፡ ዓመጸኛ ሰብ፡ ብወስላታ ኣፍ ይመላለስ፡ 13 ብዓይኑ ይጠቅስ፡ ብእግሩ
ይዛረብ፡ በጻብዑ የመልክት። 14 ተንኰል ኣብ ልቡ እዩ፡ ኵሉ ጊዜ እከይ ይፍሕስ፡ ባእሲ ድማ ይዘርእ። 15
ስለዚ ጥፍኣት ብድንገት ይመጽእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ ይጭፍለቕ፡ ፈውሲውን ከቶ የብሉን። 16
እግዚኣብሄር ዚጸልኤን ሹድሽተ ነገር ኣየን፡ ኤረ ነፍሱ እምብዛ እትፍንፍነንሲ ሾብዓተ እየን፡ 17
ትዕቢተኛ ዓይኒ፡ ሓሳዊት መልሓስ፡ ንጹህ ደም ዜፍስሳ ኣእዳው፡ 18 እኩይ ምኽሪ እትፍሕስ ልቢ፡ እኩይ
ነገር ናብ ዘበለ ዚቕልጥፋ ኣእጋር፡ 19 ሓሶት ዚዛረብ ሓሳዊ ምስክር፡ ኣብ መንጎ ኣሕዋት ባእሲ ዚዘርእ። 20
ወደየ፡ ንትእዛዝ ኣቦኻ ሐልዎ፡ ንሕጊ ወላዲትካ ኸኣ ኣይትሕደጎ፡

21 ኩሉ ጊዜ ኣብ ልብኻ ኣሰሮ፡ ኣብ ክሳድካ ዉን ኣጥቢቕካ ሕዞ።

22-24 ካብታ እከይቲ ሰበይቲ፡ ካብታ ልዙብ ዝመልሓሳ ኣመንዝራ ኺባልሃካስ፡ ትእዛዝ መብራህቲ እዩ፡
ሕጊ ኸኣ ብርሃን እዩ፡ ተግሳጽ ትምህርቲ ድማ መገዲ ህይወት እዩ እሞ፡ እንተ ኸድካ፡ ይመርሓካ፡ በጥ

እንተ በልካ፡ ይሕልወካ፡ እንተ ነቓሕካ ድማ፡ የዛርበካ። 25-26 ብሰሪ ኣመንዝራ ሰበይቲ ሃንቲ እንጌራ
ኽሳዕ እትተርፎ ይኸውን፡ ዘማዊት ከኣ ክብርቲ ነፍሲ እያ እትሀድን እሞ፡ ንጽባቔኣ ብልብኻ
ኣይትመነዮ፡ ብቘላሕታኣውን ኣይትዘርፍካ። 27 ሰብዶ ሓዊ ሐቝፉስ ክዳኑ ኣይነድድን እዩ 28 ኣብ ልዕሊ
ጓሀሪ ኸይዱኸ፡ ኣእጋሩዶ ኣይሐርርን እዩ 29 ናብ ሰበይቲ ብጻዩ ዚኣቱ ኸኣ ከምኡ እዩ፡ ዚትንክያ
ኸይተቐጽዔ ከቶ ኣይተርፍን። 30 ሰራቒ ጠምዩ ኺዕንገል ኢሉ እንተ ሰረቐ፡ ሰብ ኣይንዕቖን እዩ፡ 31 እንተ
ተታሕዘ ኸኣ፡ ሾብዓተ ኢድ ይዕዲ፡ ኣብ ቤቱ ዘሎ ኹሉውን ይህብ። 32 እቲ ምስ ሰበይቲ ዚምንዝር ግና
ልቢ የብሉን፡ ንነፍሱ ኼጥፍኣ ዚደሊ እዩ ኸምዚ ዚገብር። 33 ቁስልን ነውርን ይረኽቦ፡ ጸርፉ ከቶ
ኣይድምሰስን። 34 ቅንኢ ንሰብኣይ ብቑጥዓ የንድዶ እዩ እሞ፡ ብመዓልቲ ሕነ ኣይድንግጽን እዩ። 35 ግዲ
ኻሕሳ የብሉን፡ ኣብዚሕካ ውህበት እንተ ኣቕረብካሉ እኳ፡ ኣይቅበልን እዩ።

# ምዕራፍ 7

1 ወደየ፡ ንቓላተይ ሐልዎ፡ ንትእዛዛተይውን ኣባኻ ዕቘሮ። 2 ንትእዛዛተይ ሐልዎ እሞ ብህይወት
ክትነብር ኢኻ፡ ንሕገይውን ከም መርዓት ዓይንኻ ሐልዎ። 3 ናብ ኣጻብዕካ እሰሮ፡ ኣብ ሰሌዳ ልብኻውን
ጽሐፎ። 4-5 ካብ ሰበይቲ እማትካ፡ ካብታ ልዙብ ቃላት እትዛረብ ጓና ሰበይቲ ምእንቲ ኺባልሀካስ፡
ንጥበብ፡ ሓብተይ ኢኺ፡ በላ። ነእምሮ ኸኣ ኣማኒተይ ኢልካ ስመያ። 6 ኣብ መስኰት ቤተይ ኰይነ፡
ብዓይነ ርግቢ ኣሳጊረ ኣማዕዶኹ፡ 7 ኣብ ማእከል እቶም ዓያሱ ኰይነ፡ ተመልከትኩ እሞ፡ ኣብ ማእከል
እቶም መንእሰይ ልቢ ዜብሉ ጐበዝ ርኤኹ። 8 ንሱ በደባባይ ኣብ ጥቓ ቐራና መገዲ ሐሊፉ፡ ናብታ ናብ
ቤታ እትወስድ መገዲ ኣበለ። 9 ምድሪ መስዩ፡ ጽልግልግታ ኰይኑ፡ ጸሊም ለይቲ፡ ድቕድቕ ጸልማት
ነበረ። 10 እንሆ ኸኣ፡ ሰበይቲ ኽትቅበሎ ወጸት፡ ክዳን ምንዝርና እተኸደነት፡ ልባ ተንኰለኛ፡ 11 ንሳ
ህውከተናን ቀላልን እያ፡ ኣእጋራ ኣብ ቤታ ኣይዐርፉን፡ 12 ሓንሳእ ኣብ ኣደባብይ፡ ሓንሳእ ኣብ ዕዳጋ፡
ሓንሳእ ከኣ ኣብ ቀራና መገዲ ኣድብያ ትጸንሕ። 13 ሐዘቶ ሰዐመቶውን፡ ዓይኒ ዓይኑ እናጠመተት ከኣ
በለቶ፡ 14 መስዋእቲ ምስጋና ከቕርብ ተመባጺኣኤ ነይረ እየ እሞ፡ ሎሚ መብጽዓይ ፈጸምኩ፡ 15 ስለዚ
ኸኣ ክቕበለካን ገጽካ ኽደልን መጻእኩ እሞ ረኺብኩኻ። 16 ኣብ ልዕሊ ዓራተይ ፍራናሽ፡ ብፈትሊ ግብጺ
እተጠልፈ ዝንጕርጕር ምንጻፍ ኣንጺፈሉ ኣሎኹ። 17 ነቲ ምድቃሰይ ከርበ፡ ዓልወ፡ ቀረፋ ነጺገሉ
ኣሎኹ። 18-20 ሰብኣየይ ከረጺት ገንዘብ ኣብ ኢዱ ሒዙ፡ ነዊሕ መገሻ ኸይዱ እዩ፡ ኣብ ገዛ የሎን። ወርሒ
ፍጹም ብርሃን ምስ ኰነት እዩ ንገዛኡ ዚምለስ እሞ፡ ንዓ፡ ክሳዕ ዚወግሕ ብፍትወት ንርወ፡ ብናይ
ፍትወት ምትሕቝቛፍ ባህ ይበለና። 21 ብብዙሕ ጥበራ ኣስሐተቶ፡ ብልዙብ ከናፍራ ስሐበቶ። 23-22
ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚኾብኰብ ብዕራይ፡ ከምቲ ዓሻ፡ ፍላጻ ንኸብዱ ኽሳዕ ዚስንጥቖ፡ ብቕጽኣት
ዚእሰር፡ ከምቲ ንጥፍኣት ነፍሱ ምዃኑ ኸይፈለጠ፡ ናብ መጻወድያ ዚሸብብ ዑፍ ኰይኑ ብኡብኡ
ሰዐቦ። 24 እምብኣርሲ ደቀየ፡ ስምዑኒ፡ ናብ ዘረባ ኣፈይ ከኣ ኣቕልቡ። 25-27 ንሳ ንብዙሓት ወጊኣ
ኣውዲቓቶም፡ ዝቐተለቶም ከኣ መሊኦም እዮም፡ ቤታ ናብ ውሻጠ ሞት ዜውርድ፡ መገዲ ሲኦል እዩ
እሞ፡ ንልብኻ ናብ ጐደናኣ ኣቢልካ ኣይተዘምብሎ፡ ብመገዳ ኣይትስሐት።

# ምዕራፍ 8

1 ጥበብ ኣይትጭድርንዶ እያ ዘላ ኣእምሮውን ድምጻዶ ኣይተስምዕን እያ 2 ኣብ ጫፍ በረኽትን፡ ኣብ

ቀራናታት መገድን ደው ኢላ፡ 3 ኣብ ጥቓ ደጌታት፡ ኣብ መእተው ከተማ፡ ኣብ ኣፍ ደጌታት ትጭድር፡ 4
ኣቱም ሰባት፡ ንኣኻትኩም እጽዎኣኩም ኣሎኹ፡ ንደቂ ሰብ እየ ዘድህዮም ዘሎኹ። 5 ኣቱም ዓያሱ፡
ኣእምሮ ተምሀሩ፡ ኣቱም ደናቑርቲ ኸኣ፡ ለብሙ። 6-7 ክቡር ነገር ክዛረብ እየ፡ ከናፍረይ ከኣ ቅኑዕ ዘበለ
ንምዝራብ ክኽፍት እየ፡ ኣፈይ ሓቂ ኺዛረብ እዩ፡ ንኸናፍረይ ከኣ ረሲእነትሲ ጽያፈን እዩ እሞ፡ ስምዑ።
8 ኵለን ቃላት ኣፈይ ብጽድቂ እየን፡ ኣብኤን ጠዋይነትን ልግምን ኣይርከብን። 9 ነቲ ኣስተዋዒሊ ኵለን
ትኽ ዝበላ እየን፡ ነቶም ፍልጠት ዝረከቡ ኸኣ ቅኑዓት እየን። 10-11 ጥበብ ካብ ኣዕናቑ ትበልጽ እያ፡
ክቡር ዘበለ ዅሉውን ኣይመዓራረያን እዩ እሞ፡ ካብ ብሩርሲ ተግሳጽ፡ ንፍልጠትውን ካብ ሕሩይ ወርቂ
ኣብሊጽኩም ተቐበልዎ። 12 ኣነ ጥበብ ኣብ ልቦና እነብር፡ ሓሳብ ፍልጠት ድማ እረክብ። 13
ንእግዚኣብሄር ምፍራህ ንኽፍኣት ምጽላእ እዩ፡ ኣነውን ትዕቢትን ትምክሕትን ክፉእ ኣካይዳን ቄናን
ኣፍን እጸልእ እየ። 14 ምኽርን ምስላጥን ናተይ እዩ፡ ኣእምሮ ኣነ እየ፡ ስልጣን ናተይ እዩ። 15 ነገስታት
ብኣይ ይነግሱ፡ መሳፍንቲ ብኣይ ገይሮም ጽድቂ ይሕግጉ። 16 ገዛእትን ከበርቴን ብዘለዉ መኳንንቲ
ምድርን ብኣይ ይገዝኡ። 17 ኣነ ነቶም ዜፍቅሩኒ ኤፍቅሮም፡ እቶም ኣንጊሆም ዚደልዩኒ ኸኣ ይረኽቡኒ። 18
ሃብትን ክብረትን ነባሪ ጥሪትን ጽድቅን ኣባይ ኣሎ። 19 ፍረይ ካብ ወርቂ ኤረ ኻብ ጽሩይ ወርቂ ደኣ፡
ረብሓይ ከኣ ካብ ሕሩይ ብሩር ይበልጽ። 20-21 ነቶም ዜፍቅሩኒ ሃብቲ ኽውርሶም፡ መዝገቦም ከኣ ምእንቲ
ኽመልኣሎምሲ፡ ብጐደና ጽድቂ፡ ብማእከል ቅንዕቲ መገዲ እየ ዝመላለስ። 22 እግዚኣብሄር ኣብ
መጀመርታ መገዱ፡ ቅድሚ እቲ ጥንታዊ ግብሩ ተገንዘበኒ። 23 ካብ ዘለኣለም ካብ መጀመርያ፡ ምድሪ
ኸይኰነት ቈምኩ። 24 ገና መዓሙቕ ከይኰነ፡ ዓይኒ ማያት ከይወሐዘ፡ ኣነ ተወለድኩ። 25 ኣኽራን
ከይተሰረተ፡ ቅድሚ ኾረቢት ኣነ ተወለድኩ። 26 ንምድርን ንጐልጐልን ነቲ መጀመርያ መሬት ዓለምን
ከይገበሮ፡ 27 ንሰማያት ኬቕኖማ ኸሎ፡ ኣብኡ ነበርኩ። ንጠፈር ኣብ ልዕሊ መዓሙቕ ኪዝርግሖ ኸሎ፡ 28
ንደበና ናብ ላዕሊ ኬቕሞ ኸሎ፡ ንምንጭታት መዓሙቕ ኬበርቶኦ ኸሎ፡ 29 ማያት ካብ ትእዛዙ
ኸይሐልፍሲ፡ ንባሕሪ ኺውስኖ ኸሎ፡ መሰረታት ምድሪ ኼመልክት ከሎ፡ 30 ሽዑ ሰራሕተኛ ኾይነ
ምስኡ ነበርኩ፡ ብየዕለቱ ኤሐጉሶ፡ ኵሉ ጊዜ ኸኣ ኣብ ቅድሚኡ እሕጐስ ነበርኩ። 31 ኣብ ምድሪ
ብዚነብር እሕጐስ ነበርኩ፡ ተድላይ ከኣ ብደቂ ሰብ ነበረ። 32 ሕጂ ድማ ደቀየ፡ መገደይ ዚህልዉ ብጹኣን
እዮም እሞ፡ ስምዑኒ። 33 ጠቢባን ኩኑ፡ ተግሳጸይ ስምዑ፡ ኣይትእበይዎ። 34 እቲ ኣብ ልዳት ደጌታተይ
እናተጸበየ፡ ብየዕለቱ ደገኡ እናጸንዔ፡ ዚሰምዓኒ ሰብ ብጹእ እዩ። 35 እቲ ዚረኽበንስ ህይወት ይረክብ እዩ
እሞ፡ ካብ እግዚኣብሄር ጸጋ ይቕበል። 36 እቲ ኣብ ልዕለይ ዝእብስ ግና ንነፍሱ ይጐድኣ፡ እቶም ዚጸልኡኒ
ዅሎምሲ ሞት ይፈትዉ።

## ምዕራፍ 9

1 ጥበብ ቤታ ሀነጸት፡ ሾብዓተ ኣዕኑድ ጸረበት። 2 ሰባብሕታ ሐረደት፡ ወይና ዘለለት፡ መኣዳውን
ኣሰናደወት። 3 ኣግራዳ ለኣኸት፡ ኣብቲ ኣዝዩ ዝበረኸ ስፍራ ኸተማ ኾይና ትጽውዕ ኣላ፡ 4 ዘይለበመ
እንተሎ፡ ናብዚ ይምጻእ። ነቶም ኣእምሮ ዜብሎምውን ከምዚ ትብሎም ኣላ፡ 5 ንዑ፡ እንጌራይ ብልዑ፡
ዝዘለልክዎ ወይነን ስተዩ። 6 ብህይወት ክትነብሩስ ዕሽነት ሕደጉ፡ ብመገዲ ምስትውዓል ከኣ ተመላለሱ።
7 ንመላገጺ ዚምዕድ ንርእሱ ጸርፊ ይቕበል፡ ንረሲእ ዚግስጽ ከኣ ነውሪ ይመጾ። 8 ምእንቲ ኸይጸልኣካስ፡
ንመላገጺ ኣይትገስጾ፡ ንጠቢብ ገስጾ እሞ ኬፍቅረካ እዩ። 9 ንጠቢብ ትምህርቲ ሀቦ እሞ ወሲኹ
ኺጠብብ፡ ንጻድቕ መህሮ እሞ ፍልጠት ኪውስኽ እዩ። 10 መጀመርታ ጥበብ ንእግዚኣብሄር ምፍራህ

እዩ፡ ነቲ ቅዱስ ምፍላጥ ከኣ ምስትውዓል እዩ። 11 ዕለታትካ ብኣይ እየን ዚበዝሓ፡ ዓመታት ዕድሜኻውን
ኪውሰኻልካ እየን እሞ፡ 12 ጥበበኛ እንተ ዄንካ፡ ንርእስኻ ትተብብ፡ መላገጺ እንተ ዄንካ፡ በይንኻ
ኢኻ እትስከሞ፡ ገለ እኳ ኣይትፈልጥ እያ። 13 ዓሻ ሰበይቲ ህውከተኛ እያ። ዘለባም፡ ገለ እኳ ዘይትፈልጥ
እያ። 14-16 ነቶም ኣቕኒዖም ዚኸዱ ሓለፍቲ መገዲ፡ ዘይለባም እንተሎ ናብዚ የግልስ፡ ኢላ
ኽትጽዎኦምሲ፡ ኣብ ደገ ቤታን ኣብ በረኻ ስፍራ ኸተማን ኣብ መንበር ትቕመጥ። ነቲ ኣእምሮ ዜብሉ
ኸኣ፡ 17 ናይ ስርቂ ማይ ጥዑም እዩ፡ ብሕቡእ ዚብላዕ እንጌራ ኸኣ ባህ የብል እዩ፡ ትብሎ። 18 ንሱ ግና
ምዉታት ኣብኡ ኸም ዘለዉ ዕዱማታውናን መዓሙቕ ሲኦል ከም ዘለዉ ኣይፈልጥን እዩ።

## ምዕራፍ 10

1 ምስላታት ሰሎሞን። ጥበበኛ ወዲ ነቦኡ የሐጉስ፡ ዓሻ ወዲ ግና መጕሃይ ኣዲኡ እዩ። 2 መዝገብ
ረሲእነት ገለ እኳ ኣይተቕምን፡ ጽድቂ ግና ካብ ሞት የናግፍ። 3 እግዚኣብሄር ንነፍሲ ጻድቕ ክትጠሚ
ኣይሐድጋን፡ ንህርፋን ረሲእን ግና የንኰልልፎ። 4 ብህክይቲ ኢድ ዚኦዩ ይደኪ ኢድ ትጉሃት ግና
ተህብትም። 5 እቲ ብሓጋይ ዚእከብ ትበበና ወዲ እዩ፡ እቲ ብቐውዒ ዚድቅስ ግና ዘኣሕስር ወዲ እዩ። 6
በረኸት ኣብ ልዕሊ ርእሲ ጻድቕ እዩ፡ ኣፍ ረሲኣን ግና ዓመጽ ይኸውል። 7 መዘከርታ ጻድቕ ንበረኸት እዩ
ስም ረሲኣን ግና ይምሽምሽ። 8 ጠቢብ ዝልቡ ትእዛዛት ይቕበል፡ ዓሻ ዝሸናፍሩ ግና ይወድቕ። 9
ብንጽህና ዚመላለስ ሀዲኡ ይኸይድ፡ ብጥውጥዋይ መገዲ ዚኸይድ ግና ይቕላዕ። 10 ብዓይኑ ዚጠቅስ
መከራ የምጽእ፡ ዓሻ ዝሸናፍሩ ግና ይወድቕ። 11 ኣፍ ጻድቕ ናይ ህይወት ፈልፋሊ እዩ፡ ኣፍ ረሲኣን ግና
ዓመጽ ይኸውል። 12 ጽልኢ ቈየቛ የልዕል፡ ፍቕሪ ግና ንዅሉ ኣበሳ ትኸውሎ። 13 ኣብ ከናፍር ለባም ሰብ
ጥበብ ትርከብ፡ በትሪ ግና ንዝባን እቲ ልቢ ዜብሉ እዩ። 14 ጠቢባንሲ ፍልጠት ይእርንቡ፡ ኣፍ ዓሻ ግና
ናብ ጥፍኣት ቀረባ እዩ። 15 ንሃብታም እቲ ሃብቱ ጽኑዕ ከተማእይ እዩ፡ ንድካ ግና እቲ ድኽነቱ ጥፍኣቱ
እዩ። 16 ዕዮ ጻድቕ ንህይወት፡ እቶት ረሲእ ግና ንሓጢኣት እዩ። 17 ምዕዶ ዚሕሉ ኣብ መገዲ ህይወት
እዩ፡ ተግሳጽ ዚኣቢ ግና ይስሕት። 18 ጽልኢ ዚሐብእ ሓሰውቲ ኸናፍር ኣለዋኦ፡ ሕሜት ዚዝርግሕ ከኣ
ዓሻ እዩ። 19 ብዙሕ ዘረባ ኣብ ዘለዎ ኣብኡ ኣበሳ ኣይሰኣኖን፡ ከናፍሩ ዚገትእ ግና ለባም እዩ። 20 ልሳን
ጻድቕ ሕሩይ ብሩር እዩ፡ ልቢ ረሲኣን ግና ፍረ የብሉን። 21 ከናፍር ጻድቕ ንብዙሓት ይጓስያ፡ ዓያሱ ግና
ስኣን ልቢ እዮም ዝሞቱ። 22 በረኸት እግዚኣብሄር የሀብትም፡ ሽጋርውን ገለ ኣይውስኸሉን። 23 ንዓሻ
ኽፉእ ምግባር ቃዛኡ እዩ፡ ጥበብ ከኣ ንለባም ከምኡ እያ። 24 ንረሲእ እቲ ዚፈርሆ ነገር ይመጾ፡ ንጻድቃን
ግና እተመነይዎ ይወሃቦም። 25 ህቦብላ ምስ ዚሐልፍ፡ እቲ ረሲእ የሎን፡ ጻድቕ ግና ንዘለኣለም ዚነብር
መሰረት እዩ። 26 ከም መጺጽ ንስኒ፡ ከም ትኪ ኸኣ ንዓይኒ፡ ሃካይ ንለኣኽቱ ኸምኡ እዩ። 27
ንእግዚኣብሄር ምፍራህ ዕድመ የንውሕ፡ ዓማታት ረሲእ ግና ኺሐጽራ እየን። 28 ትጽቢት ጻድቃን ደስታ
እዩ፡ ተስፋ ረሲኣን ግና ክትጠፍእ እያ። 29 መገዲ እግዚኣብሄር ንንጹህ እምባኡ፡ ንገበርቲ እከይ ግና
ጥፍኣቶም እያ። 30 ጻድቕ ከቶ ኣይናወጽን፡ ረሲኣን ግና ኣብታ ሃገር ኣይነብሩን እዮም። 31 ኣፍ ጻድቕ
ጥበብ የውጽእ፡ ልግመኛ ልሳን ግና ትቘረጽ። 32 ከናፍር ጻድቃን ነቲ ዜሐጕስ ይፈልጣኦ፡ ኣፍ ረሲኣን
ግና ልግመኛ እዩ።

## ምዕራፍ 11

1 ሓሳዊ ሚዛን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ፡ ቅኑዕ ሚዛን ግና ባህ የብሎ። 2 ትዕቢት እንተ
መጸ፡ ውርደት ከኣ ይመጽእ፡ ጥበብ ግና ምስቶም ትሑታት እያ። 3 ነቶም ቅኑዓት ንጽህናኦም
ይመርሖም፡ ነቶም ጠለምቲ ግና ልግሞም የጥፍኦም። 4 ብመዓልቲ ቑጥዓ ሃብቲ ኣይተቅምን፡ ጽድቂ ግና
ካብ ሞት የናግፍ። 5 ንፍጹም ሰብ እቲ ጽድቁ መገዲ የቕንዓሉ፡ ንረሲእ ግና ረሲእነቱ የውርቖ። 6 ነቶም
ቅኑዓት ጽድቆም የናግፎም፡ ነቶም ጥለምቲ ግና ክፍኣቶም ይሕዞም። 7 ረሲእ እንተ ሞተ፡ ተስፋኡ
ይጠፍእ፡ ትጽቢት ክፉኣትውን ይጠፍእ። 8 ጻድቕ ካብ ጸበባ ይድሕን፡ ረሲእ ድማ ኣብ ክንዳኡ
ይኸውን። 9 እቲ ግቡዝ ንብጻዩ ብኣፉ የጥፍኦ፡ ጻድቃን ግና ሳላ ፍልጠት ይናገፉ። 10 ጻድቃን ጽቡቕ
እንተ ረኸቡ፡ ከተማ ትሕጐስ፡ ረሲኣን እንተ ጠፍኡ ኸኣ እልልታ ይኸውን። 11 ከተማ ሳላ በረኸት
ቅኑዓት ልዕል ትብል፡ ብኣፍ ረሲኣን ግና ትግልበጥ። 12 እቲ ንብጻዩ ዚንዕቕ ኣእምሮ የብሉን፡ ለባም ግና
ስቕ ይብል። 13 እናሐመየ ዚዘውርሲ ምስጢር ይቕልዕ፡ እቲ እሙን ልቢ ዘለዎ ግና ንነገር ይስውሮ። 14
ጥበበኛ ምምራሕ ኣብ ዜብሉስ፡ ህዝቢ ይወድቕ፡ ብምብዛሕ መኸርቲ ግና ደሓን ይርከብ። 15 ንጓና
ዚወሓስ መከራ ይመጾ፡ ውሕስነት ዚጸልእ ግና ህዱእ እዩ። 16 ውቅብቲ ሰበይቲ ክብረት ትረክብ፡ ሃያላት
ከኣ ሃብቲ ይረኽቡ። 17 ርሕሩሕ ሰብ ንነፍሱ ጽቡቕ ይገብረላ፡ ጨካን ግና ንብገዛእ ስጋኡ ይጐድኦ። 18
ረኢእ ዜታልሎ እቶት የእቱ፡ ጽድቂ ዚዘርእ ግና ኡነተኛ ውሬታ ኣለዎ። 19 ጽድቂ ናብ ይህወት ይመርሕ፡
ንኽፉእ ዚስዕብ ግና ሞት የዳሉ። 20 እቶም ጠዋይ ዝልቦም ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉናት እዮም፡ እቶም
ብመገዶም ፍጹማት ግና የሐጕስዎ። 21 ኢድ ንኢድ፡ እቲ ሕሱም ከይተቐጽዔ ኣይተርፍን፡ ዘርኢ ጻድቃን
ግና ኬምልጡ እዮም። 22 መልክዔና ሰበይቲ ብዘይ ኣእምሮስ፡ ከም ኣብ ኣፍንጫ ሓሰማ እተሰቑረ
ቐለቤት ወርቂ እያ። 23 ድልየት ጻድቃን ሰናይ ጥራይ እዩ፡ ትጽቢት ረሲኣን ግና መዓት እዩ። 24 ገለ
ይብትን እሞ ይውሰኸሉ። ገለ ኸኣ ብዘይግባእ ይቘጥብ፡ ኣዝዩ ኸኣ ይነዲ። 25 ለጋስ ነፍሲ ኣዝያ
ትጸግብ፡ እቲ ዜርዊ ኸኣ ንርእሱ ይረዊ። 26 ነቲ እኽሉ ዚዐቍር ሰብ ህዝቢ ይረግሞ፡ በረኸት ግና ርእሲ
እቲ እኽሉ ዚሸይጥ ይዐስል። 27 ሰናይ ዚደሊ ሞገስ ይደሊ፡ እከይ ዚደሊ ግና ኪመጾ እዩ። 28 ብሃብቱ
ዚእመን ይወድቕ፡ ጻድቃን ግና ከም ቈጽሊ ይልምልሙ። 29 እቲ ንቤት ዚገላብጥሲ ንፋስ ይወርስ፡ ዓሻ
ኸኣ ነቲ ጥበበኛ ዝልቡ ባርያኡ ይኸውን። 30 ፍረ ጻድቕ ኦም ህይወት እዩ። ጥበበኛ ኸኣ ነፍሳት
ይረብሕ። 31 እንሆ፡ እቲ ጻድቕሲ ኢዱ ኣብ ምድሪ ይፍደ፡ እቲ ረሲእን ሓጥእን ደኣ ኸንደይ ዝገደደ።

## ምዕራፍ 12

1 ተግሳጽ ዚፈቱ ፍልጠት ይፈቱ፡ መቕጻዕቲ ዚጸልእ ግና ዓሻ እዩ። 2 ደጊ ሰብ ካብ እግዚኣብሄር ሞገስ
ይቕበል፡ ተንኰለኛ ግና ይኹንኖ። 3 ሳላ ረሲእነት ዚቐውም ሰብ የልቦን፡ ሱር እቶም ጻድቃን ግና ምንቕ
ኣይብልን። 4 ደጊ ሰበይቲ ዘውዲ ሰብኣያ እያ፡ እታእተነውር ግና ኣብ ኣዕጽምቱ ኸም ቀንቀነ እያ። 5
ሓሳብ ጻድቃን ቅኑዕ እዩ፡ ምኽሪ ረሲኣን ግና ጥበራ እዩ። 6 ዘረባ ረሲኣን ንምፍሳስ ደም የድቢ፡ ኣፍ
እቶም ቅኑዓት ግና የድሕኖም። 7 እቶም ረሲኣን ይግልበጡ እሞ ኣይርከቡን፡ ቤት ጻድቃን ግና
ይቐውም። 8 ሰብኣይ ብመጠን ፍልጠቱ እዩ ዚነኣድ፡ ቄናን ዝልቡ ግና ይንዐቕ። 9 ካብቲ እንጌራ ዜብሉ
ኽብረት ዚድልስ፡ እቲ ዘይምርኡይን ሓደ ግዙእ ዘለዎን ይሐይሽ። 10 ጻድቕ ንነፍሲ እንስሳኡ
ይርሕርሓሉ፡ ልቢ ረሲኣን ግና ጨካን እዩ። 11 ምድሩ ዚወላወል ሰብ እንጌራ ይጸግብ፡ ንኸንቱነት
ዚኽተል ግና ኣእምሮ የብሉን። 12 ረሲእ ነቲ ወጽመድ እኩያት ሃረር ይብሎ፡ ሱር ጻድቃን ግና ፍረ
ይህብ። 13 እኩይ ሰብ ብሓጢኣት ከናፍሩ ይጥለፍ፡ ጻድቕ ግና ካብ መከራ ይመሉቑ። 14 ሰብ ብግብረ

ኣፉ ሰናይ ይጸግብ፡ ከም ተግባር ኣእዳዉ ኸኣ ኪፍደ እዩ። 15 እቲ ዓሻ፡ መገዱ ኣብ ኣዒንቱ ቕንዕቲ እያ፡
ጥበበኛ ግና ምኽሪ ይሰምዕ። 16 ኸራ ዓሻ ብኡብኡ ይፍለጥ፡ ለባም ሰብ ግና ጸርፊ ይሐብእ። 17 ሓቂ
ዚዛረብ ቅንዕና የውሪ፡ ሓሳዊ ምስክር ግና ጥበራ። 18 ከም ዚቖርጽ ሰይፊ ገይሩ ዚዛረብ ሰብ ኣሎ፡
መልሓስ እቶም ጠቢባን ግና ጥዕና እዩ። 19 ሓቀኛ ኸንፈር ንሓዋሩ ትነብር፡ ሓሳዊት መልሓስ ግና
ንቕጽበት ዓይኒ ጥራይ እያ። 20 እቶም እከይ ዚሐስቡ ኣብ ልቦም ጥልመት ኣሎ፡ እቶም ሰላም ዚመኽሩ
ግና ደስታ ኣለዎም። 21 ንጻድቕ ገለ ኸፉእ ኣይረኽቦን፡ ረሲኣን ግና ሕሰም መሊእዎም እዩ። 22 ሓሰውቲ
ኸናፍር ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉናት እየን፡ እቶም ሓቂ ዚገብሩ ግና የሐጕስዎ። 23 ለባም ሰብ ፍልጠቱ
ይሐብእ፡ልቢ እቶም ዓያሱ ግና ዕሽነት የውሪ። 24 ኢድ ትጉሃት ክትገዝእ እያ፡ እታ ሃካይ ግና ክትግብር
እያ። 25 እቲ ኣብ ልቢ ሰብ ዝሐደረ ጓሂ ንእኡ ይጸቕጦ፡ ሰናይ ቃል ግና ባህ የብሎ። 26 ጻድቕ ንብጻዩ
መገዲ ይሕብሮ፡ ንረሲኣን ግና መገዶም ተጋግዮም። 27 ሃካይ ነቲ ዝሀደኖ ኣይጠብሶን፡ ትግሃት ግና ንሰብ
ክቡር ገንዘብ እያ። 28 ኣብ መገዲ ጽድቂ ህይወት ኣላ፡ ኣብ መተሓላለፊኣ ኸኣ ሞት የልቦን።

## ምዕራፍ 13

1 ለባም ውሉድ ተግሳጽ ኣቦኡ ይሰምዕ፡ መላገጺ ግና መግናሕቲ ኣይሰምዕን። 2 ሰብ ብፍረ ኣፉ ሰናይ
ይስሰ፡ ነፍሲ እቶም ጠለምቲ ግና ግፍዒ ትምገብ። 3 ኣፉ ዚሕሉ ህይወቱ ይባልህ፡ ከናፍሩ ጋህ ዜብልግና
ጥፍኣት ይረኽቦ። 4 ነፍሲ ሃካይ ሃረር ትብል ኣላ እሞ ገለ ኣይትረክብን፡ ነፍሲ ትጉሃት ግና ኣዝያ
ትጸግብ። 5 ጻድቕ ብዘረባ ሓሶት ይጸልኡ፡ ረሲእ ግና ይንውርን የነውርን። 6 ጽድቂ ነቲ ብመገዱ ቕኑዕ
ዝኾነ ትሕልዎ፡ ረሲእነት ግና ንሓጥእ የውድቖ። 7 ገለ ዜብሉስ ንርእሱ ሃብታም ዜምስል ኣሎ፡ ብዙሕ
ገንዘብ ከለዎስ፡ ንርእሱ ድኻ ዜምስል ኣሎ። 8 ሃብታም ብገንዘቡ ንህይወቱ ይብጀዋ፡ ድኻ ግና ዜፈራርሆ
የብሉን። 9 ብርሃን ጻድቃን ሕጉስ እዩ፡ መብራህቲ ረሲኣን ግና ኪጠፍእ እዩ። 10 ካብ ትዕቢት ባእሲ
ጥራይ እዩ ዚመጽእ፡ ጥበብ ግና ምስቶም ምኽሪ ዚቕበሉ እያ። 11 ብኸምኡ እትረኽበ ገብዘብ እናጐደለ
ይኸይድ፡ ብኢድ ዚእከብ ግና እናበዝሔ ይኸይድ። 12 ነዊሕ ትጽቢት ንልቢ የማህምኖ፡ እተፈጸመ
ድሌት ግና ኦም ህይወት እዩ። 13 ነቲ ቓል ዚንዕቅ ንነፍሱ የጥፍኣ፡ ነቲ ትእዛዝ ዚፈርሆ ግና ኪከሓስ
እዩ። 14 ካብ ወጽመድ ሞት ምእንቲ ኸተምልጥሲ፡ ሕጊ ጠቢብ ናይ ህይወት ፈልፋሊ እዩ። 15 ጽቡቕ
ምስትውዓል ሞገስ ይህብ፡ መገዲ ጠለምቲ ግና ተራር እያ። 16 ኣእምሮኛ ሰብ ብምስትውዓል ይዓዪ፡ ዓሻ
ግና ዕሽነት ይዝርግሕ። 17 ረሲእ ልኡኽ ኣብ እከይ ይወድቕ፡ እሙን መልእኽተኛ ግና ጥዕና እዩ። 18 ነቲ
ተግሳጽ ዘይቅበል ሰብ ድኽነትን ነውርን ይጸንሖ፡ መግናሕቲ ዚቕበል ግና ይኽብር። 19 እተፈጸመ ድሌት
ንነፍሲ ጥዑም እዩ፡ዓያሱ ግና ካብ እከይ ምርሓቕ ጽያፎም እዩ። 20 ምስ ጠቢባን ዚመላለስ ጠቢብ
ይኸውን፡ ምስ ዓያሱ ዚመላለስ ግና ሕሱም ይኸውን። 21 ንሓጥኣን ሕሰም የባርሮም፡ ጻድቃን ግና
ብሰናይ ይፍደዩ። 22 ደጊ ሰብ ንደቂ ደቁ የውርሶም፡ ሃብቲ ሓጥእ ግና ንጻድቕ ይዕቈረሉ። 23 ድኻታት
ዝሐረስዎ በዱ ብዙሕ ሲሳይ ይርከቦ፡ ሰኣን ቅንዕና ዚጠፍኡ ግና ኣለዉ። 24 ብሽቦጥ ዘይገርፍ ንውሉዱ
ይጸልኦ፡ ዜፍቅሮ ግና ኣንጊሁ ይቐጽዖ። 25 ጻድቕ ክሳዕ ዚጸግብ ይበልዕ፡ ከብዲ ሓጥኣን ግና ይጠሚ።

## ምዕራፍ 14

1 ለባም ሰበይቲ ቤታ ትሃንጽ፡ ዓሻ ግና ብገዛእ ኢዳ ተፍርሶ። 2 ብቕንዕናኡ ዚመላለስ ንእግዚኣብሄር

ይፈርሆ፡ መገዱ ዜጐብጥ ግና ይንዕቆ። 3 ኣብ ኣፍ ዓሻ ሸቦጥ ትዕቢት ኣሎ፡ ንጠቢባን ግና ከናፍሮም
ይሕልውዎ። 4 ብዕራይ ኣብ ዜብሉ መብልዕ ማል ጥሩዩ እዩ፡ ብዙሕ ሲሳይ ግና ብሓይሊ ብዕራይ እዩ። 5
እሙን ምስክር ኣይሕሱን፡ ሓሳዊ ምስክር ግና ሓሶት የውስእ። 6 መላገጺ ንገንዘብ ይደልያ እሞ
ኣይረኽባን፡ ነእምሮኛ ግና ፍልጠት ኣይሽግሮን። 7 ካብ ዓሻ ርሐቕ፡ ኣብኡ ኸናፍር ፍልጠት
ኣይትረረክብን ኢኻ። 8 ጥበብ እቲ ለባምሲ መገዱ ምፍላጥ እዩ፡ ዕሽነት እቶም ዓያሱ ግና ጥበራ እዩ። 9
እቶም ዓያሱ ብሓጢኣት ይዋዘዩ፡ ኣብ ማእከል እቶም ቅኑዓት ግና ጽቡቕ ፍቓድ ኣሎ። 10 ልቢ ንምረቱ
ባዕሉ ይፈልጦ፡ ኣብ ሓጐሱ ኸኣ ጓና ኣይሕወስን። 11 ቤት ረሲኣን ይዐኑ፡ ድንኳን ቅኑዓት ግና
ይዕምብብ። 12 ንሰብ ቅንዕቲ ትመስሎ መገዲ ኣላ፡ መወዳእታኣ ግና መገዲ ሞት እዩ። 13 ልቢ
እናሰሐቐካውን ይጉሂ እዩ፡ መወዳእታ ሓጐስ ከኣ ሓዘን እዩ። 14 እቲ ብልቡ ዚዐሉ ብመገዱ ይጸግብ፡
ደጊ ሰብ ድማ ካብ ርእሱ እዩ። 15 ገርሂ ሰብ ንዅሉ ቓል ይኣምን፡ ለባም ግን ንስጉምቱ ይጥንቀቐለን። 16
ጠቢብ ይፈርህ ካብ እከይ ድማ ይርሕቕ፡ ዓሻ ግና ደፋርን ኣማኺ ርእሱን እዩ። 17 ኵራዪ ሰብ ዕሽነት
ይገብር፡ ተንኰለኛ ኸኣ ይጽላእ። 18 እቶም ደናቕርቲ ዕሽነት ይርስተዩ፡ ለባማት ግና ፍልጠት ዘውዶም
እዩ። 19 እቶም እኩያት ኣብ ቅድሚ ሰናያት፡ ረሲኣን ከኣ ኣብ ደጌታት ጻድቃን ይደኑ። 20 ንድኻ ብጻዩ እኳ
ይጸልኦ፡ ፈተውቲ ሃብታም ግና ብዙሓት እዮም። 21 እቲ ንብጻዩ ዚንዕቕ ሓጢኣት ይገብር፡ ንድኻ
ዚርሕርሓሉ ግና ብጹእ እዩ። 22 እቶም እከይ ዚሐስቡ ኣይጋገዩንዶ እዮም ምሕረትን ሓቅን ግና ነቶም
ሰናይ ዚሐስቡ እዩ። 23 ኣብ ዕዮ ዘበለ ረብሓ ኣሎ፡ ዘረባ ኸናፍር ግና ናብ ረሲእነት ጥራይ የብጽሕ። 24
ሃብቲ ንጠቢባን ዘውዶም እዩ፡ ዕሽነት እቶም ዓያሱ ግና ኵሉ ጊዜ ዕሽነት እዩ። 25 ሓቀኛ ምስክር ነፍሳት
የድሕን፡ ሓሶት ዚዛረብ ግና ምጥባር ጥራይ እዩ። 26 ጽኑዕ እምንቶ ኣብ ምፍራህ እግዚኣብሄር እዩ፡ ንደቁ
ኸኣ ጸግዒ ይኸውኖም። 27 ካብ ወጽመድ ሞት ከተምልጥሲ፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ናይ ህይወት ፈልፋሊ
እዩ። 28 ምብዛሕ ህዝቢ ክብሪ ንጉስ እዩ፡ምውሓድ ህዝቢ ግና ጥፍኣት መስፍን እዩ። 29 እቲ ንዅራ
ደንጓዪ ብዙሕ ኣእምሮ ኣለዎ፡ ኵራዪ ግና ዕሽነት ይገልጽ። 30 ዓቃል ልቢ ንስጋ ህይወቱ እዩ፡ ቅንኢ ግና
ነዕጽምቲ ቑንቍኑ እዩ። 31 እቲ ንድኻ ዚጭቍን ንፈጣሪኡ ይጸርፍ፡ ንስኡን ዚርሕርሓሉ ግና
የኽብሮ። 32 ረሲእ ብእከዩ ይግምጠል፡ ጻድቕ ግና ኣብ ሞት እኳ ጸግዒ ኣለዎ። 33 ጥበብ ኣብ ልቢ
ኣእምሮኛ ትሐድር፡ ኣብ ውሽጢ ዓያሱ ዘሎ ግና ይግለጽ። 34 ጽድቂ ንህዝቢ ልዕል የብሎ፡ ሓጢኣት ግና
ውርደት ህዝብታት እዩ። 35 ሞገስ ንጉስ ንለባም ጊልያ እዩ፡ ቍጥዓኡ ግና ነቲ ዜነውር እዩ።

## ምዕራፍ 15

1 ልኡም ምላሽ ንቑጥዓ የህድኦ፡ ተሪር ቓል ግና ኵራ የልዕል። 2 ልሳን ጠቢባን ፍልጠት የንጠብጥብ፡
ኣፍ ዓያሱ ግና ዕሽነት ይፍልፍል። 3 ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ኣብ ኵሉ ስፍራ እየን፡ ንእኩያትን ንሰናያትን
ከኣ ይቋመታኦም። 4 ልዝብቲ ልሳን ከም ኦም ህይወት እያ፡ ቄናን መንፈስ ግና ንመንፈስ ትሰብሮ። 5 ዓሻ
ንተግሳጽ ኣቦኡ ይንዕቆ፡ ዘለፋ ዚቕበል ግና ኣእምሮኛ ይኸውን። 6 ኣብ ቤት ጻድቕ ብዙሕ መዝገብ ኣሎ፡
ኣብ እቶት ረሲኣን ግና ህውከት ኣሎ። 7 ከናፍር ጠቢባን ፍልጠት ይዝርግሓ፡ ልቢ እቶም ዓያሱ ግና
ኣይከምኡን እዩ። 8 መስዋእቲ ረሲኣን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ፡ ጸሎት ቅኑዓት ግና ባህ
የብሎ። 9 እግዚኣብሄር ንመገዲ ረሲኣን ይፍንፍኖ፡ ጽድቂ ንዚስዕብ ግና የፍቅሮ። 10 መገዲ ንዚሐድግ
ብርቱዕ መቕጻዕቲ ይወርዶ፡ ተግሳጽ ዚጸልእ ከኣ ይመውት። 11 ሲኦልን መዓሙቕን ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር እዩ፡ ልቢ ሰብ ግዳ ኸንደይ ኣዝዩ። 12 መላገጺ ተግሳጽ ኣይፈቱን፡ ናብ ጠቢባን

ኣይከይድን። 13 ሕጉስ ልቢ ንገጽ የብርሆ፡ ልቢ እንተ ጕሃየ ግና መንፈስ ይስበር። 14 ልቢ ኣእምሮኛ
ፍልጠት ይደሊ፡ ኣፍ ዓያሱ ግና ዕሽነት ይምገብ። 15 ኵለን ዕለታት እቲ ሕዙን ክፉኣት እየን፡ ሕጉስ ልቢ
ዘለዎ ግና ኵሉ ጊዜ ደስ ዜብል መኣዲ እዩ። 16 ካብ ዓብዪ መዝገብ ምስ ህውከትሲ፡ ሒደት ምስ ፍርሃት
እግዚኣብሄር ይሓይሽ። 17 ካብ ስቡሕ ብዕራይ ምስ ጽልኢ፡ ጻሕሊ ሓምሊ ምስ ፍቕሪ ይሓይሽ። 18
ኰራዪ ሰብ ቈየቛ የልዕል፡ ዓቃል ግና ባእሲ የህድእ። 19 ጐደና ሃካይ ከም ሓጹር እሾኽ እዩ፡ መገዲ
ቕኑዓት ግና እተደላደለት እያ። 20 ጥበበኛውሉድ ነቦኡ የሐጕሶ፡ ዓሻ ሰብ ግና ንወላዲቱ ይንዕቃ። 21
ዕሽነት ነቲ ልቢ ዜብሉ ሰብ ደስታ እዩ፡ ለባም ግና ትኽ ኢሉ ይኸይድ። 22 ኣብቲ ምኽሪ ዜብሉ፡
ህቃኔታት ከንቱ ይኸውን፡ ኣብቲ መኽርቲ ዘበዝሕዎ ግና ይጸንዕ። 23 ሰብ ብምላሽ ኣፉ ይሕጐስ፡ እወ፡
ብጊዜኡ ዚዝረብ ቃል ክንደይ ጽቡቕ እዩ። 24 ለባም ሰብ፡ ካብቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሲኦል ኪርሕቕሲ፡
መገዲ ህይወት ናብ ላዕሊ ትመርሖ። 25 እግዚኣብሄር ንቤት ዕቡያት ይምሕዎ፡ ንዶብ መበለት ግና
የቖሞ። 26 እኩይ ሓሳባት ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ፡ ልኡም ቃላት ግና ኣብ ቅድሚኡ ንጹህ እዩ። 27
እቲ ረብሓ ዚሀርፍ ንቤቱ ይህውኻ፡ መማለጃ ዚጸልእ ግና ብህይወት ይነብር። 28 ልቢ ጻድቕ ዚምልሶ
ይሐስብ፡ ኣፍ ረሲኣን ግና ሕሰም ይፍልፍል። 29 እግዚኣብሄር ነቶም ረሲኣን ርሑቕም እዩ፡ ንጸሎት
ጻድቃን ግና ይሰምዖ። 30 ብሩህ ቈላሕታ ንልቢ የሐጕሶ፡ ብስራት ነዕጽምቲ የስብሖ። 31 እታ ናብ ህይወት
ዚመርሕ ተግሳጽ እትሰምዕ እዝኒ ኣብ ማእከል ጠቢባን ትነብር። 32 እቲ ተግሳጽ ዚኣቢ ንነፍሱ ይንዕቃ፡
ዘለፋ ዚሰምዕ ግና ይልብም። 33 ፍርሃት እግዚኣብሄር ናይ ጥበብ ትምህርቲ እዩ፡ ንኽብረት ከኣ ትሕትና
ትቕድማ።

# ምዕራፍ 16

1 ሰብ ብልቡ ሓሳባት የዳሉ፡ መልሓስ እትመልሶ ግና ካብ እግዚኣብሄር እዩ። 2 ሰብሲ ኵሉ መገዱ ኣብ
ቅድሚ ኣዒንቱ ንጹህ እዩ፡ መናፍስቲ ዚመዝን ግና እግዚኣብሄር እዩ። 3 ተግባርካ ንእግዚኣብሄር
ወፍዮ፡ሽዑ ሓሳባትካ ኪቀውም እዩ። 4 እግዚኣብሄርሲ ኵሉ ንምዱብ ነገር፡ ከምኡውን ንረሲእ ንመዓልቲ
ሕሰም ፈጢሮ። 5 ብልቡ ዚዕበ ዘበለ ኹሉ ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ፡ ኢድ ብኢድ ከይተቐጽዔ
ኣይተርፍን። 6 ብምሕረትን ብሓቅን ስሬት ኣበሳ ይርከብ፡ ሰብውን ብፍርሃት እግዚኣብሄር ካብ እከይ
ይርሕቕ። 7 እግዚኣብሄር ብመገዲ ሓደ ሰብ ባህ እንተ በሎ፡ ነቶም ጸላእቱ እኳ ምስኡ ብሰላም
የንብሮም። 8 ካብ ብዙሕ እቶት ምስ ዓመጻ፡ ሒደት ምስ ጽድቂ ይሐይሽ። 9 ልቢ ሰብ መገዱ ይምድብ፡
ንስጕምቱ ግና እግዚኣብሄር እዩ ዜቃንዓ። 10 ኣብ ከናፍር ንጉስሲ ንግራት ኣምላኽ ኣሎ፡ ኣፉ ብፍርዲ
ኣይጋገን። 11 ሓቀኛ ሚዛንን መምዘንን ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ኣብ ከርጺት ዘሎ ኹሉ መምዘኒ ከኣ
ተግባሩ እዩ። 12 ዝፋን ብጽድቂ እዩ ዚጸንዕ እሞ፡ ነገስታት ንረሲእነት ይፍንፍንዎ። 13 ጻድቃን ከናፍር
ንነገስታት የሐጕሳኦም፡ ነቲ ቅንዕና ዚዛረብውን የፍቅርዎ። 14 ቍጥዓ ንጉስሲ ልኡኽ ሞት እዩ፡ ጥበበኛ
ሰብ ግና የህድኦ። 15 ገጽ ንጉስ እንተ በርሄ፡ ህይወት እዩ፡ ሞገሱ ኸኣ ከም ደበና ብዙሓት እዩ። 16 ካብ
ምጥራይ ወርቂ ክንደይ ኰን ምጥራይ ጥበብ ይበልጽ። ካብ ምጥራይ ብሩርሲ ምጥራይ ምስትውዓል
ክንደይ ኰን ይኸብር። 17 ጐደና እቶም ቅኑዓት ካብ ኣኩይ ምርሓቕ እዩ፡ እቲ ንመገዱ ዚጥንቀቕላ ንነፍሱ
ይሕልዋ። 18 ንውርደት ትዕቢት ትቕድማ፡ ንውድቀት ከኣ ኵርዓት። 19 ምስቶም ዕቡያት ዘመተ ኻብ
ምክፋልሲ፡ ምስቶም መሳኪን ደኣ ብመንፈስ ትሑት ምዃን ይሐይሽ። 20 ነቲ ቓል ዜቅልበሉ ሰናይ
ይረክብ፡ ብእግዚኣብሄር ዚእመን ከኣ ብጹእ እዩ። 21 ጥበበኛ ዝልቡ መስተውዓሊ ይበሀል፡ ጣዕሚ

ኸናፍር ከላ ትምህርቲ ይውስኽ። 22 ምስትውዓል ንዜጥርያ ሰብ ፈልፋሊት ህይወት እያ፡ ዕሽነት ግና
ነቶም ዓያሱ ቕጽዓቶም እያ። 23 ልቢ እቲ ጥበበኛ ንኣፉ መስተውዓሊ ይገብሮ፡ ንኸናፍሩ ድማ ትምህርቲ
ይውስኸን። 24 ልኡም ዘረባ መዓር ወለላ እዩ፡ ንነፍሲ ጥዑም፡ ነዕጽምቲ ኸኣ ጥዕና እዩ። 25 ንሰብ ቅንዕቲ
እትመስሎ መገዲ ኣላ፡ መወዳእታኣ ግና መገዲ ሞት እዩ። 26 ኣፉ ይድርኾ እዩ እሞ፡ ጥሜት እቲ ዓያዪ
ስሌኡ ኢሉ ይዓዪ። 27 ሕሱም ሰብ እከይ ይኹዕት፡ ኣብ ከናፍሩ ኸኣ ከም ዚባላዕ ሓዊ ኣሎ። 28 ጠዋይ
ሰብ ቈየቛ ይዝርግሕ፡ ሓማዩ ኸኣ ንእሙናት ፈተውቲ ይፈላልዮም። 29 ግፍዔኛ ሰብ ንብጻዩ ይሐባብሎ
እሞ፡ ሰናይ ናብ ዘይኰነት መገዲ ይመርሖ። 30 በዒንቱ ዚጠቅስ ሓሳባቱ ጠዋይ እዩ፡ ከናፍሩ ዚርምጥጥ
ከላ ነቲ ኽፍኣት ፈጺምዎ እዩ። 31 ሽያብ ጸጕሪ ናይ ክብረት ዘውዲ እዩ፡ እዚ ኸኣ ኣብ መገዲ ጽድቂ እዩ
ዚርከብ። 32 ንኹራ ደንጓዩ ዝኾነ ኻብ ጅግና ይበልጽ፡ ካብቲ ንኸተማ ዚሕዝ ከላ መንፈሱ ዚገዝእ
ይበልጽ። 33 ዕጭ ናብ ሕቝፊ እዮም ዜውድቑ፡ ንመን ከም ዚበጽሖ ግና እግዚኣብሄር እዩ ዚምድቦ።

## ምዕራፍ 17

1 ካብ ሕሩድ ዝመልኦ ቤት ምስ ቈየቛስ፡ ንቕጽቲ ቍራስ ምስ ህድኣት ትበልጽ። 2 ለባም ባርያ ንነውራም
ውሉድ ይገዝኦ፡ ኣብ ማእከል ኣሕዋት ድማ ርስቲ ይካፈል። 3 መምከኺ ንብሩር፡ እቶን ከላ ንወርቂ እዩ፡
ንልቢ ዚፍትኖ ግና እግዚኣብሄር እዩ። 4 እኩይ ሰብ ንበደለኛ ኸንፈር ጽን ይብሎ፡ ሓሳዊ ድማ ነታ
እከይቲ መልሓስ ይሰምዓ። 5 ንድኻ ዜባጩ ንፈጣሪኡ ይጸርፍ፡ ብጒድኣት ዚሕጎስ ከላ ከይተቐጽዔ
ኣይተርፍን። 6 ንኣረገውቲ እቶም ደቂ ደቆም ዘውዶም እዮም፡ ንቈልዑ ኸኣ ኣቦታቶም ክብረቶም እዮም።
7 ንዓሻስ ዓብዪ ዘረባ ኣይመጠኑን፡ ንመስፍን ደኣ ግዳ ሓሰውቲ ኸናፍር ከመይ ኢለን። 8 መማለጃ ነቲ
እተቐበሎ ኸም ብሩር ዕንቍ እዩ፡ ኣብ ዝኸደ እንተ ኸደ ይሰልጦ። 9 ፍቕሪ ዚደሊ ንበደል ይኸውሎ፡
ናብ ነገር ዚምለስ ግና ንእሙናት ፈተውቲ ይፈላልዮም። 10 ካብ ሚእቲ ግርፋት ንዓሻስ፡ተግሳጽ ንለባም
ኣዕሚቑ ይኣትዎ። 11 እኩይ ሰብ ዕልወት ጥራይ ይደሊ፡ ስለዚ ጨካን መልእኽተኛ ይሰደሉ። 12 ዓሻ
ብዕሽነቱ ኻብ ዝጓ ነፈካስ፡ ኵራኹራ ዘሕደግዋ ድቢ ኽትጓነፈካ ይሓይሽ። 13 ኣብ ክንዲ ሰናይሲ እከይ
ዚፈዲ፡ መከራ ኻብ ቤቱ ኣይርሕቕን። 14 ምጅማር ቈየቛ ከም ምኽፋት መገዲ ውሕጅ እዩ፡ ስለዚ ናብ
ምሕርቃም ስኒ ኸይበጽሐ ኻብ ቈየቛ ርሐቕ። 15 እቲ ንዓማጺ ናጻ ዜውጽኦን ንጻድቕ ዚኹንኖን፡
ክልቲኦም ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉናት እዮም። 16 ዓሻስ ልቢ የብሉን እዩ እሞ፡ ጥበብ ኪገዝእሲ፡ እቲ
ኣብ ኢዱ ዘሎ ዋጋ ንምንታይ ይጠቅም 17 ፈታዊ ንኹሉ ጊዜ የፍቅር፡ ሓው ድማ ንጸገማ ይውለድ። 18
ልቢ ዜብሉ ሰብ ኣገን ይጠቅዕ፡ኣብ ቅድሚ ብጻዩ ኸኣ ይውሕስ። 19 ባእሲ ዚፈቱ ሓጢኣት ይፈቱ፡
ንደጊኡ ዜንውሕ ምብራስ ይደሊ። 20 ጠዋይ ልቢ ዘለዎ ሰናይ ኣይረክብን፡ ወስላታ ዝልሳኑ ኸኣ ኣብ
መከራ ይወድቕ። 21 ዓሻ ዝወለደ ብእኡ ይጕሂ፡ ኣቦ ዓሻውን ከቶ ኣይሕጐስን። 22 ሕጉስ ልቢ ጽቡቕ
መድሃኒት እዩ፡ ስቡር መንፈስ ግና ነዕጽምቲ የንቅጾ። 23 ረሲእ፡ መገዲ ፍትሒ ንምጥዋይ፡ መማለጃ ኻብ
ሕቝፊ ይወስድ። 24 ለባም ሰብሲ ጥበብ ኣብ ቅድሚኡ ኣላ፡ ኣዒንቲ ዓሻ ግና ክሳዕ ወሰን ምድሪ እየን።
25 ዓሻ ውሉድ ነቦኡ ጓሂ እዩ፡ ንወላዲቱ ኸኣ ምረት እዩ። 26 ንጻድቕ ምቕጻዕ፡ ንኽቡራት ስለ ቕንዕናኦም
ምውቃዕ ሰናይ ኣይኰነን። 27 እቲ ፍልጠት ዘለዎስ ቃላቱ ይቈጥብ፡ ህዱእ መንፈስ ዘለዎ ለባም እዩ። 28
ዓሻ እኳ ስቕ እንተ በለስ፡ ጥበበኛ መሲሉ ይርኤ፡ ከናፍሩ ዚዐጹ ኣእምሮኛ ይበሀል።

## ምዕራፍ 18

1 እቲ ንርእሱ ዚፍለ ትምኒት ይደሊ፡ ንዅሉ ጥበብውን ይቃወሞ። 2 ዓሻ ነቲ ኣብ ልቡ ዘሎ ኺገልጾ
እምበር፡ ምስትውዓል ኣይፈቱን እዩ። 3 ረሲእ እንተ መጸ፡ ንዕቀት ድማ ይወጽእ፡ ምስ ነውሪውን ጸርፊ
ይመጽእ። 4 ቃላት ኣፍ ሰብ ጥልቂ ማያት እዩ፡ ናይ ጥበብ ዓይኒ ማይ ከኣ ወሓዚ ርባ እዩ። 5 ጻድቕ
ምእንቲ ኺግፋዕ ኢልካ፡ ምስ ረሲእ ምሽራውሲ ሰናይ ኣይኰነን። 6 ከናፍር ዓሻ ናብ ባእሲ ይኣትዋ፡ ኣፉ
ኸኣ መውቃዕቲ ይጽውዕ። 7 ኣፍ ዓሻ ንእኡ ጥፍኣቱ እዩ፡ ከናፍሩ ኸኣ ወጽመድ ነፍሱ እየን። 8 ቃላት
ጠባው እዝኒ ኸም ጥዑም ኵላሶ እዩ እሞ፡ ክሳዕ ውሽጢ መዓንጣ ይወርድ። 9 እቲ ንዕዮ ሸለል ዚብሎ
ሰብሲ ሓው በታን ገንዘብ እዩ። 10 ስም እግዚኣብሄር ጽኑዕ ግምቢ እዩ፡ ጻድቕ ናብኡ ጐይዩ የዕቍብ። 11
ንሃብታም እቲ ጥሪቱ ጽኑዕ ከተማኡ እዩ፡ ብሓሳቡ ኸኣ ከም ክቡ ዝበለ ቀጽሪ እዩ። 12 ልቢ ሰብ ቅድሚ
ውድቀት ልዕል ይብል፡ ትሕትና ኸኣ ንኽብረት ትቕድማ። 13 ከይሰምዔ ምላሽ ዚህብ ሰብ ዕሽነትን
ነውርን ይቝጸሮ። 14 ሰብ እንተ ሐመመስ፡ መንፈሱ ይድግፎ። ንተሰብረ መንፈስ ግና መን ከበርትዖ
ይኽእል 15 ልቢ ለባም ሰብ ፍልጠት የጥሪ፡ እዝኒ ጠቢባን ከኣ ፍልጠት ትደሊ። 16 ንሰብ ውህበቱ መገዲ
የርሕበሉ፡ ናብ ዓበይቲ ኸኣ የእትዎ። 17 እቲ ቅድም ነገሩ ዜፍርስ ቅኑዕ ይመስል፡ እቲ በዓል ጋራ ግና
መጺኡ ኣጸቢቑ ይምርምሮ። 18 ዕጭ ውድእ ንባእሲ ይውድኦ፡ ንብርቱዓት ይፈላልዮም። 19 ካብ ጽንዕቲ
ኸተማስ እተበደለ ሓው ይቃወም፡ ባእሶም ከኣ ከም መሃርሃር ዕርዲ እዩ። 20 ከብዲ ሰብ ካብ ፍረ ኣፉ
ይጸግብ፡ ካብ እቶት ከናፍሩ ኸኣ ይጸግብ። 21 ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ፡ እቲ ዜፍቅራ
ኸኣ ፍሬኣ ኺበልዕ እዩ። 22 እቲ ሰበይቲ ዚረክብ ሰናይ ይረክብ፡ ካብ እግዚኣብሄር ከኣ ሞገስ ይቕበል። 23
ድኻ እናለመነ ይዛረብ፡ ሃብታም ግና ብትሪ ይመልስ። 24 ብዙሓት ፈተውቲ ዘለውዎ ሰብ ይጠፍእ፡
ግናኸ ካብ ሓው ኣብሊጹ ጥብቂ ዝኾነ ፈታዊ ኣሎ።

## ምዕራፍ 19

1 ካብቲ ቘናን ከናፍር ዘለዎ ዓሻስ፡ ብንጽህና ዚመላለስ ድኻ ይሓይሽ። 2 ነፍሲ ብዘይ ፍልጠት ምዃና
ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ቅልጡፍ እግሪ ኸኣ ይስሕት። 3 ሰብ ብዕሽነቱ መገዱ ይገላብጥ፡ ልቡ ግና ኣብ
እግዚኣብሄር እዩ ዜንጸርጽር። 4 ሃብትስ ብዙሓት ፈተውቲ ይውስኽ፡ ንድኻ ግና ፈታዊኡ እኳ ይሐድጎ።
5 ሓሳዊ ምስክር ከይተቐጽዔ ኣይተርፍን፡ እቲ ሓሶት ዜውስእ ከኣ ኣየምልጥን። 6 ንኸበርቴ ብዙሓት
የቀባጥሩሉ፡ ነቲ ዓዳል ውህበታት ድማ ኵሎም ፈተውቱ እዮም። 7 ንድኻ ዅሎም ኣሕዋቱ ይጸልእዎ፡
ምናዳ እኳ ፈተውቱ ኻብኡ ይርሕቑ፡ ብቓላት ይስዕቦም፡ ግናኸ የለዉን። 8 ልቦና ዜጥሪ ንነፍሱ የፍቅራ፡
ንምስትውዓል ዜድህበሉ ሰናይ ይረክብ። 9 ሓሳዊ ምስክር ከይተቐጽዔ ኣይተርፍን፡ ሓሶት ዜውስእ ከኣ
ይጠፍእ። 10 ንዓሻ ጣዕሚ ንብረት ኣይግብኦን፡ ምናዳ እኳ ንባርያ ኣብ ልዕሊ መሳፍንቲ ምስልጣን
ኣይግብኦን። 11 ምስትውዓል ንሰብ ንዅራ ደንጓዪ ይገብሮ፡ ንበደል ምሕላፍ ከኣ ክብረቱ እዩ። 12 ኵራ
ንጉስ ከም ምጕዛም ኣንበሳ እዩ፡ ሞገሱ ግና ኣብ ሳዕሪ ኸም ዚወርድ ኣውሊ እዩ። 13 ዓሻ ውሉድ ነቦኡ
መከራ እዩ፡ ቈየቛ ሰበይቲ ኸኣ ከየቋረጸ ዚነጥብ ናሕሲ እዩ። 14 ቤትን ሃብትን ካብ ወላዲ ይውረስ፡
ለባም ሰበይቲ ግና ካብ እግዚኣብሄር እያ። 15 ትህኪት ናብ ዓሚቝ ድቃስ የውድቕ፡ ሸለልተኛ ነፍሲ ኸኣ
ትጠሚ። 16 ትእዛዝ ዚሕሉ ነፍሱ ይሕሉ፡ መገዱ ሸለል ዚብል ግና ይመውት። 17 እቲ ንድኻ ዚርሕርሓሉ
ንእግዚኣብሄር የለቅሖ፡ ንሱውን ንሰናይ ግብሪ ኺፈድዮ እዩ። 18 ገና ተስፋ ኸሎ፡ ንወድኻ ቕጽዓዮ፡ ክሳዕ
ንምቕታሉ ግና ኣይትናደድ። 19 እንተ ኣናገፍካዮስ ከተንድዶ ኢኻ እሞ፡ ኲራዪ ሰብ ይዕደ። 20 ኣብ
መውዳእታኻ ጥበበኛ ኽትከውንሲ፡ ምኽሪ ስማዕ፡ ተግሳጽውን ተቐበል። 21 ኣብ ልቢ ሰብ ብዙሕ ሃቕና

ኣሎ፡ ምኽሪ እግዚኣብሄር ግና እዩ ጸኒዑ ዚነብር። 22 ንሰብ ርሕራሔ እዩ ጌጹ፡ ካብ ሓሳውስ ድኻ
ይሐይሽ። 23 ፍርሃት እግዚኣብሄር ናብ ህይወት የብጽሕ፡ ሳላኡ ሰብ ጸጊቡ ይሐድር፡ ክፉእ ከኣ
ኣይረኽቦን። 24 ሃካይ ንኢዱ ናብ ጻሕሊ የእትዋ፡ ግናኸ ናብ ኣፉ እኳ ኣይምልሳን። 25 ንመላገጺ እንተ
ገረፍካዮ፡ ገርሂ ይጥንቀቕ፡ ንበዓል ኣእምሮ እንተ ገሰጽካዮ ኸኣ፡ ፍልጠት የስተውዕል። 26 እቲ ነቦኡ
ዜጥፍእ ነዲኡውን ዚሰጕጕ መሕፈርን ነውራምን ውሉድ እዩ። 27 ወደየ፡ ነቲ ኻብ ቃል ፍልጠት
ዜርሕቐካ ተግሳጽ ምስማዕ ሕደጎ። 28 ሕሱም ምስክር ንፍርዲ የባጭወሉ፡ ኣፍ ረሲእ ከኣ ኣበሳ
ይውሕጥ። 29 ፍርዲ ንመላገጽቲ፡ መውቃዕቲ ኸኣ ንዝባን ዓያሱ ተዳልዩሎም ኣሎ።

# ምዕራፍ 20

1 ወይኒ መላገጺ እዩ፡ ዜስክር መስተ ኸኣ ሃዋኺ እዩ፡ በዚ ሰንከልክል ዚብል ዘበለስ ጥበበኛ
ኣይከውንን። 2 ንጉስ ከም ምጕዛም ኣንበሳ እዩ ዜሰምብድ፡ እዜኹርዮ ንህይወቱ ይብድላ። 3 ንሰብ ካብ
ቈየቛ ምርሓቕ ክብረት እዩ፡ ዓሻ ግና ዘሊሉ ይኣትዎ። 4 ሃካይ ብምኽንያት ቍሪ ኣይሐርስን፡ ብጊዜ
ቀውዒ ይልምን እሞ፡ ገለ እኳ ኣይረክብን። 5 ምኽሪ ኣብ ልቢ ሰብ ከም ጥልቂ ማይ እዩ፡ ብዓል ኣእምሮ
ግና ይቐድሖ። 6 ርሕራሔኣም ዜውርዩ ብዙሓት እዮም፡ ግናኸ ንእሙን ሰብ መን ይረኽቦ 7 ብንጽህናኡ
ዚመላለስ ጻድቕሲ፡ ብድሕሪኡ ውሉዱ ብሩኻት እዮም። 8 ኣብ ዝፋን ፍርዲ እተቐመጠ ንጉስ እከይ
ንዘበለ ኹሉ በዒንቱ ይብትኖ። 9 ንልበይ ኣጽርየዮ፡ ካብ ሓጢኣተይ ነጺሄ፡ ኪብል ዚኽእል መን እዩ 10
ክልተ ዓይነት ሚዛን፡ ክልተ ዓይነት መስፈሪ፡ እዚኣተን ክልቲኤን ኣብ እግዚኣብሄር ፍንፉናት እየን። 11
ቈልዓ እኳ ዕዮኡ ቕኑዕን ንጹህን እንተ ኾነ፡ ብግብሩ ይፍለጥ። 12 ነታ ሰማዒት እዝንን፡ ነታ ረኣዪት
ዓይንንሲ፡ ንኽልቲኤን እግዚኣብሄር እዩ ዝገበረን። 13 ድኻ ምእንቲ ኽይትኸውን፡ ድቃስ ኣይትፍቶ፡
ነዒንትኻ ቋሕ ኣብለን፡ ሽዑ እንጌራ ኽትጸግብ ኢኻ። 14 ዓዳጊ፡ ሕማቕ እዩ፡ ሕማቕ እዩ፡ ይብል፡ መግዱ
ምስ ከደ ግና ይሕበን። 15 ወርቅን ብዙሕ ዕንቍን ኣሎ፡ ፈላጣት ከናፍር ግና ክቡር ኣቕሓ እየን። 16 ነቲ
ንጓና እዋሕሰ ኽዳኑ ወሰደሉ፡ ኣብ ክንዲ እቶም ጓንትሲ ታሕዚ ኻብኡ ውሰድ። 17 እንጌራ ጥበራ ንሰብ
ጥዑም እዩ፡ ደሓቅር ግና ኣፉ ጸጸር ይመልእ። 18 ሃቐና ብምኽሪ ይጸንዕ፡ ብጥበብ ተመሪሕካ ተዋጋእ። 19
እቲ እናዞረ ዚሐሚ፡ ምስጢራት ይቐልዕ፡ ስለቲ ምስቲ ኸናፍሩ ዜግፍሕ ሰብ ኣይትተሐወስ። 20 እቲ
ነቦኡን ነዲኡን ዚረግም መብራህቱ ኣብ ማእከል ድቕድቕ ጸልማት ኪጠፍእ እዩ። 21 እቲ ብመጀመርታ
ቐልጢፉ እተኣከበ ርስቲ መወዳእታኡ ኣይኪባረኽን እዩ። 22 እከይ ኪፈዲ ኣይትበል፡ ንእግዚኣብሄር
ተጸበዮ እሞ፡ ንሱ ኼድሕነካ እዩ። 23 ክልተ ዓይነት ሚዛን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፍንፉን እዩ፡ ጠባሪ
ከኣ ሰናይ ኣይኰነን። 24 ስጕምቲ ሰብ ብእግዚኣብሄር እዩ ዚምራሕ፡ ሰብ ደኣ ኸመይ ገይሩ እዩ ንመገዱ
ዜስተውዕላ 25 ብሃንደበት እተቐደሰ እዩ ምባልን ድሕሪ መብጽዓ ምምርማርንሲ፡ ንሰብ መፈንጠራ እዩ።
26 ጥበበኛ ንጉስ ነቶም ረሲኣን የዘርዎም፡ ብመንኰራዅር ድማ ይደርጾም። 27 መብራህቲ እግዚኣብሄር
መንፈስ ሰብ እዩ፡ ንሱ ንብዘሎ ውሻጠ ልቢ ይምርምሮ። 28 ምሕረትን ሓቅን ንንጉስ ይሕልዋኦ፡ ንሱ
ብምሕረት ንዝፋኑ የጽንዖ። 29 ሓይሊ ንመንእሰይ ክብረቱ እዩ፡ንኣረገውቲ ኸኣ ሽበቶም ስልማቶም እዩ።
30 ስመርመር ዚብል ስምብራት ካብ ክፍኣት የጽሪ፡ ከምኡውን መውቃዕቲ ንውሻጠ ልቢ የጽርዮ።

# ምዕራፍ 21

1 ልቢ ንጉስ ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ከም ወሓዚ ማይ እዩ፡ ንሱ ናብ ዝደለዮ ይመልሶ። 2 ሰብሲ ኹሉ
መገዱ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ቕኑዕ ይመስሎ፡ ግናኸ እግዚኣብሄር እዩ ልቢ ዚመዝን። 3 እግዚኣብሄር ካብ
መስዋእትስ ጽድቅን ቅንዕናን ምግባር እዩ ዚፈቱ። 4 ኵርዓት ኣዒንትን ንፉሕ ልብን ሓጢኣት እዩ፡ ንሱ
ኸኣ መብራህቲ ረሲኣን እዩ። 5 ሃቐና እቲ ትጉህ ናብ ረብሓ የብጽሕ፡ እቲ ዚህወኽ ዘበለ ግና ስእነት
ጥራይ ይህወኽ። 6 እቲ ብሓሳዊት መልሓስ ኣተኣከበ መዝገብ በኒኑ ይጠፍእ፡ ናብ ወጽመድ ሞት ከኣ
የውድቕ። 7 ቅንዕና ምግባር ኣብዮም እዮም እሞ፡ ነቶም ረሲኣንሲ ግፍዖም ጥፍኣቶም እዩ። 8 መገዲ እቲ
በደለኛ ጥውይዋይ እያ፡ ንጹህ ሰብ ግና ግብሩ ቕኑዕ እዩ። 9 ካብ ምስ ናግራም ሰበይቲ ኣብ ሓደ ቤትሲ
ኣብ ዝባን ናሕሲ ብሓደ ወገን ምቕማጥ ይሐይሽ። 10 ነፍሲ ረሲእ ንእከይ ትምነዮ፡ ብጻዩውን ኣብ
ቅድሚኡ ምሕረት ኣይረክብን። 11 ንመላገጺ እንተ ቕጻዕካዮ፡ እቲ ገርሂ ጠቢብ ይኸውን፡ ንጥበበኛ እንተ
መሀርካዮ ኸኣ፡ ፍልጠት ይቕበል። 12 እቲ ጻድቕ ንቤት ረሲእ ይምልከቶ፡ ነቶም ረሲኣን ከኣ ናብ መከራ
የጽድፎም። 13 እቲ ንጥርዓን ድኻ ኸይሰምዕ ኢሉ እዝኑ ዚዐጹ፡ ንሱውን ይጠርዕ እሞ ምላሽ
ኣይረክብን። 14 ብስዉር ዝኣተወ ገጸ በረኸት ኵራ የህድእ፡ሕቡእ ውህበትውን ንብርቱዕ ቍጥዓ
የዝሕሎ። 15 ቅኑዕ ምግባር ንጻድቕ ሓጐሱ እዩ፡ ንገበርቲ ዓመጻ ግና ረዓድ እዩ። 16 እቲ ኻብ መገዲ ልቦና
ዚዝምብል ሰብ ኣብ ኣኼባ ምዉታት ይነብር። 17 ጣዕሚ ንብረት ዚፈቱ ይደኪ፡ ወይንን ዘይትን ዚፈቱ
ኸኣ ኣይህብትምን። 18 ረሲእ በጃ ጻድቕ እዩ፡ ኣብ ክንዲ ቕኑዕ ድማ ጠላሚ ይሐልፍ። 19 ካብ ምስ
ናግራም መሰቀቒትን ሰበይትስ ኣብ በረኻ ምቕማጥ ይሐይሽ። 20 ኣብ ቤት ጥበበኛ ኽቡር መዝገብን
ዘይትን ኣሎ፡ ዓሻ ሰብ ግና ይውሕጦ። 21 እቲ ንጽድቅን ብጕነትን ዚስዕበን፡ ህይወትን ጽድቅን ክብረትን
ይረክብ። 22 ጥበበኛ ሰብ ናብ ከተማ ሓያላት ይድይብ፡ ንሓይሊ እምንቶኣ የፍርሶ። 23 እቲ ኣፉን
መልሓሱን ዚሐሉ ሰብ ንነፍሱ ኻብ ጸበባ ይሕልዋ። 24 ዕቡይን ኵሩዕን ሰብ መላገጺ እዩ ስሙ፡ ንሱ
ብናይ ይዕቢት ቍጥዓ ይገብር። 25 ሃካይ፡ ኣእዳው ምዕያይ ይኣብያ እየን እሞ፡ ትምኒቱ ይቐትሎ። 26
ምሉእ መዕልቲ ብህርፋን ዚምነ ኣሎ፡ ጻድቕ ግና ይህብ ኣይከልእን ከኣ። 27 መስዋእቲ እቶም ረሲኣን
ፍንፉን እዩ፡ ምናዳ እኳ ብእኩይ ሓሳብ እንተ ኣቕረቦ። 28 ሓሳዊ ምስክር ይጠፍእ፡ ዚሰምዕ ሰብ ግና ኩሉ
ጊዜ ኺዛረብ ይፍቀደሉ። 29 ረሲእ ሰብ ገጹ ድርቅና የርኢ፡ ጻድቕ ግና መገዱ የጽንዕ። 30 ጥበበ ወይስ
ኣእምሮ ወይስ ምኽሪ፡ ንእግዚኣብሄር ዚቃወሞ የልቦን። 31 ፈረስ ንመዓልቲ ውግእ ተዳልዩ ኣሎ፡ ስዕረት
ግና ካብ እግዚኣብሄር እዩ።

## ምዕራፍ 22

1 ጽቡቕ ስም ካብ ብዙሕ ሃብቲ ይሕረ፡ ሞገስ ከኣ ካብ ብሩርን ወርቅን ይበልጽ። 2 ሃብታምን ድኻን
ይራኸቡ፡ ንኹላቶም ዝገበሮም እግዚኣብሄር እዩ። 3 ኣስተውዓሊ ሰብሲ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ፡
ገርህታት ግና ህሩጕ ይብሉ እሞ ብእኡ ይጕድኡ። 4 ዓስቢ ትሕትናን ፍርሃት እግዚኣብሄርሲ ሃብትን
ክብረትን ህይወትን እዩ። 5 እሾኽን መፈንጠራን ኣብ መገዲ እቲ ቘናን እዩ፡ እቲ ንነፍሱ ዚሕልዋ ካብኡ
ይርሕቕ። 6 ንቈልዓ እታ ኪኸደላ ዚግብኣ መገዲ ኣላምዶ እሞ ምስ ኣረገ ኻብኣ ኣይኪልግሰን እዩ። 7
ንድኻ ሃብታም ይገዝኦ፡ ተለቃሒ ኸኣ ባርያ እቲ ዜለቅሖ እዩ። 8 እቲ ኣበሳ ዚዘርእ መከራ ይዐጽድ፡
ብሸበጥ ቍጥዓኡ ይጠፍእ። 9 እቲ ርሕሩሕ ቈላሕታ ዘለዎ፡ ንድኻ ኻብ ኣንጌራኡ ይህቦ እሞ፡ ይባረኽ።
10 ንመላገጺ ስጕጎ እሞ፡ ቈየቛ ኺወጽእ እዩ፡ ባእስን ጸርፍን ከኣ ኪውዳእ እዩ። 11 እቲ ንጽህና ልቢ
ዚፈቱ እሞ ጸጋ ኣብ ከናፍሩ ዘለዎ፡ ፈታዊኡ ንጉስ እዩ። 12 ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ንጥበብ ይከናኸናኣ፡

ንሱ ግና እቲ ጠላሚ ይግልብጦ። [13] ሃካይ፡ ኣብ ወጻኢ ኣንበሳ ኣሎ፡ ኣብ ማእከል ኣደባባይ እቕተል
እኸውን እየ፡ ይብል። [14] ኣፍ ኣመንዝራ ሰበይቲ ዓሚቕ ጕድጓድ እዩ፡ እግዚኣብሄር እተቘጥዖ ሰብ ኣብኣ
ይወድቕ። [15] ንልቢ ቈልዓ ዕሽነት ተቘራንይዎ ኣሎ፡ ሸቦጥ መቕጻዕቲ ግና ካብኡ የርሕቖ። [16] ንድኻ
ዜጥቅዖ የሀብትሞ፡ ንሃብታም ዚህቦ ኣብ ስእነት ጥራይ የብጽሖ። [17-18] ኣብ ውሽጥኻ ኣንተ ኣርኒብካየን፡
ኵላተን ኣብ ከናፍርካ እንተ ኣለዋስ፡ ጥዑም እይ እሞ፡ እዝንኻ ጽሎ፡ ቃላት ጠቢባን ከኣ ስማዕ፡
ብልብኻ ናብ ፍልጠተይ ኣቕልብ። [19] እምንቶኻ ብእግዚኣብሄር ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ኣነ ሎሚ ንኣኻ፡
እወ ንኣኻ ምሂረካ። [20-21] ነቶም ዚልእኩኻ ቃላት ሓቂ ምእንቲ ኽትመልስ፡ ርግጽ ነገርን ቃላት ሓቅን
ምእንቲ ኽፍልጠካ ኢለስ፡ ድሮዶ ናይ ምኽርን ናይ ፍልጠትን ብሉጽ ነገር ኣይጸሓፍኩልካን እየ [22-23]
እግዚኣብሄር ኪማጐተሎም፡ ነቶም ገፈፍቶም ከኣ ህይወቶም ኪገፎም እዩ እሞ፡ ነቲ ድኻስ ድኻ ስለ
ዝኾነ፡ ኣይትግፈፎ፡ ንሸጉር ድማ ኣብ ደገ ኣይትጥቅዓዮ። [24-25] መገዱ ምእንቲ ኸይትምሃር እሞ፡
ንነፍስኻ ኸይተፈንጥረላ፡ ምስ ኰራዩ ሰብ ኣይትመሓዞ፡ ምስ ተቘጣዒ ኸኣ ኣይትኺድ። [26] ካብቶም
ኢዶም ኣሕሊፎም ዚህቡ፡ ንዕዳ ዚወሓሱ ኣይትኹን። [27] ምፍዳይ እንተ ሰኣንካስ፡ ስለምንታይ እዩ
መንጸፍካ ኻብ ትሕቴኻ ዚውሰድ [28] ኣቦታትካ ዜቘምዎ ናይ ቀደም ደረት ኣይተዝብል። [29] ኣብ ዕዮኡ
ፈጣን ዝኾነ ሰብዶ ርኢኻ ትፈልጥ ንሱ ኣብ ቅድሚ ነገስታት እዩ ዚቐውም፡ ኣብ ቅድሚ ታሕቶት
ሰባት ኣይቀውምን።

# ምዕራፍ 23

[1] ኣብ መኣዲ ምስመኰንን እንተ ተሰራዕካ፡ መን ከም ዝኾነ ኣብ ቅድሜኻ ዘሎ ኣጸቢቕካ ኣስተብህል፡ [2]
ስሱዕ እንተ ኾንካስ፡ ንጐሮሮኻ ኻራ ኣቕርበሉ፡ [3] ጠባሪ ብልዒ እዩ እሞ፡ ነቲ ጥዑም በብልዑ
ኣይትብህጎ። [4] ሃብታም ክኸውን ኢልካ ኣይትጽዐር፡ ንጥበብካ ኣብኡ ኣይተውዕሎ። [5] ከምቲ ንሰማይ
ኣቢሉ ዚነፍር ንስሪ፡ ብርግጽ ኣኽናፍ የውጽእ እዩ እሞ፡ ኣዒንትኻዶ ናብቲ ዘየሎ ኸተውድቕ ኢኻ [6] ናይ
ክፉእ ዝዓይኑ እንጌራ ኣይትብላዕ፡ ጣዕሚ መብልዑ ኸኣ ኣየብህግካ፡ [7] ብላዕ ስተ፡ ይብለካ፡ ኣብ ውሽጡ
ግና ተጻባጻቢ እዩ እሞ፡ ልቡ ምሳኻ ኣይኰነን። [8] ነታ ዝበላዕካያ ቘላሶ ኽትተፍኣ ኢኻ፡ ነቲ ጽቡቕ
ዘረባኻውን ከተጥፍኦ ኢኻ። [9] ዓሻ ነቲ ጥበብ ዘረባኻ ይንዕቆ እዩ እሞ፡ ኣብ ኣዝኑ ኣይትዛረብ። [10] ናይ
ቀደም ደረት ኣይይተዝብል፡ ናብ ግራት ዘኽታማት ከኣ ኣይታቶ። [11] እቲ ጠበቓኦም ብርቱዕ እዩ እሞ፡
ባዕሉ ኣብ ክንዳኦም ኪማጐተልካ እዩ። [12] ልብኻ ናብ ተግሳጽ ፡ ኣእዛንካ ድማ ናብ ቃላት ፍልጠት
ኣቕልብ። [13] ንቘልዓ ብሸቦጥ እንተ ግረፍካዮ፡ ኣይመውትን እዩ እሞ፡ ብዘይ መቕጻዕቲ ኣይትግደፎ። [14]
ብሸቦጥ ትገርፎ እሞ፡ ንነፍሱ ኻብ ሲኦል ተድሕና። [15] ወደየ፡ ልብኻ ጥበበኛ እንተ ኾነ፡ ኣነውን ልበይ
ይሕጐስ፡ [16] እወ፡ ከናፍርካ ቅንዕና እንተ ተዛረበ፡ ኰላሊተይ ደስ ይብለን። [17-18] ብርግጽ ዓስቢ ኣሎ፡
ትጽቢትካ ኸኣ ከንቱ ኣይኪኸውንን እዩ እሞ፡ ልብኻ ኹሉ መዓልቲ ፍርሃት እግዚኣብሄር ይሀልዎ
እምበር፡ ብሓጢኣተኛታት ኣይቕናእ። [19] ኣታ ወደየ፡ ስማዕ እሞ ጥበበኛ ኹን፡ ንልብኻውን ብመገዲ
ኣቕንዓዮ። [20-21] ሰካርን ህሩፍን ይደኽዩ፡ ድቃስ ከኣ ጨርቂ የኽድን እዩ እሞ፡ ኣብ ማእከል ሰተዩ ወይኒ፡
ኣብ ማእከል ህሩፋት በላዕቲ ስጋ ኣይትኹን። [22] ነቲ ዝወለደካ ኣቦኻ ስምዓዮ፡ ኣዴኻ ምስ ኣረገት ከኣ
ኣይትንዓቃ። [23] ንሓቂ ዓድጋ እሞ ኣይትሸጣ፡ ንጥበብን ተግሳጽን ኣእምሮ ኸኣ። [24] ኣቦ ጻድቕ ብዙሕ
ይሕጐስ፡ ጥበበኛ ወዲ ዝወለደ ኸኣ ብእኡ ባህ ይብሎ። [25] ኣቦኻን ኣዴኻን ብኣካ ባህ ይበሎም፡ እታ
ዝወለደትካ ድማ ባህ ይበላ። [26] ወደየ፡ ልብኻ ሀበኒ፡ ኣዒንትካ ድማ ብመገደይ ደስ ይበለን። [27]

ኣመንዝራስ ዓሚቝ ዓዘቕቲ እያ፡ ሰበይቲ ኻልእ ጸቢብ ጕድጓድ እያ። [28] ከም ከታሪ ተድቢ፡ ንብዙሃት ሰብውን ጠለምቲ ትገብሮም። [29] ዋይዋታ ንመን እዩ ሓዘን ንመን እዩ ባእሲ ንመን እዩ ምስቍርቋር ንመን እዩ፡ ብዘይ ምኽንያት ምቝሳል ንመን እዩ ምቕያሕ ዓይንስ ንመን እዩ [30] ነቶም ኣብ ምስታይ ወይኒ ዚድንጉዩ፡ ነቶም ዝደረቐ ወይኒ ኺመርጹ ዚእከቡ እዩ። [31] ወይኒ ምቕያሑ፡ ኣብ ብርለ ምውዕዋዑ፡ ጥዒሙ ምውራዱ ኣይትጠምቶ። [32] ኣብ መወዳእታ ኸም ተመን ይነክስ፡ ከም ኣፍዑት ሕንዙ ፋፍ የብል። [33] ኣዒንትኻ ሕውዝውዝ ይብላ፡ ልብኻውን ጠዋይ ነገር ይዛረብ። [34] ኣብ ውሽጢ ባሕሪ በጥ ከም ዝበለ፡ ኣብ ጫፍ ደቓል ከም ዝደቀሰ ኢኻ እትኸውን፡ [35] ወቒዖምንስ ኣይትሰምዓንን፡ ዘቢጦምንስ ኣይተፈለጠንን፡ መኣዝ ክነቅሕ እየ መሊሰ ኽደልዮ እየ።

# ምዕራፍ 24

[1-2] ልቦም ግፍዒ እዩ ዚሐስብ፡ ከናፍሮም ድማ ጥፋኣት እየን ዚዛረባ እሞ፡ በቶም እኩያት ኣይትቕናእ፡ ምሳታቶም ክትነብርውን ኣይትድለ። [3] ቤት ሳላ ጥበብ ይህነጽ፡ ሳላ ምስትውዓል ከኣ ይጸንዕ። [4] ክፍልታት ቤት ሳላ ፍልጠት እዩ ኽቡርን ጽቡቕን ዘበለ ኹሉ ጥሪት ዚመልእ። [5] ጥበበኛ ሰብ ብርቱዕ እዩ፡ ኣእምሮ ዘለዎ ኸኣ ሓይሉ የጽንዕ። [6] እምብኣርሲ ብጥበብ ተመሪሕካ ተዋጋእ፡ ደሓን ከኣ ብምብዛሕ መኸርቲ እዩ። [7] ጥበብ ነቲ ዓሻ ኣዝያ ላዕሊ እያ፡ ኣፉ ኣብ ደገ ኣይከፍትን። [8] እከይ ኪገብር ዚሀስብ ሰብሲ፡ ሰራሕ ነገር እዩ ዚበሀል። [9] ምህዞ ዓሻ ሓጢኣት እዩ፡ መላገጺ ኸኣ ብሰብ ፍንፉን እዩ። [10] ብመዓልቲ መከራ እንተ ተሐለልካ፡ ሓይልኻ ቕሩብ እዩ። [11] ነቶም ናብ ሞት ዚጕተቱ ኣናግፎም፡ ነቶም ሰንከልከል እናበሉ ናብ ማሕረዲ ዚኸዱ ኸኣ ኣይትሕደጎም። [12] እንሆ፡ እዝስ ኣይፈለጥናን፡ እንተ በልካ፡ እቲ ልቢ ዚመዝንዶ ኣየስተብህሎን እዩ፡ እቲ ንነፍስኻ ዚጥንቀቓላስ ኣይፈልጦን ድዩ፡ ንሱ ኸኣ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኺፈድዮ እዩ። [13] ወደየ፡ ጽቡቕ እዩ እሞ፡ መዓር ብላዕ፡ ወለላ መዓር ንትንሓግካ ጥዑም እዩ። [14] ከምኡውን ንነፍስኻ ጥበብ ተምሃር እምበር፡ እንተ ረኺብካያስ ጸማ ኣሎ፡ ትጽቢትካውን ኣይኪቍረጽን እዩ። [15] ኣታ ረሲእ፡ ንቤት ጻድቕ ኣይተድብየላ፡ ነታ መዕረፊኡ ኣይትሀውካ። [16] እቲ ጻድቕ ሾብዓተ ሳዕ ይወድቕ እሞ ይትንስእ፡ ረሲኣን ግና ናብ መከራ ይጸድፉ። [17-18] እግዚኣብሄር ነዚ ርእዩ ኸይጉሂ እሞ ኹራኡ ኻብኡ ኸይመልስሲ፡ ጸላኢኻ እንተ ወደቐ፡ ኣይትተሓጐስ፡ እንተ ጸደፈ ኸኣ፡ ልብኻ ደስ ኣይበሎ። [19-20] እኩይ ሰብ ውሬታ የብሉን፡ ቀንዴል ረሲኣን ከኣ ይጠፍእ እዩ እሞ፡ በቶም እከይ ዚገብሩ ኣይተንጽርጽር፡ በቶም ረሲኣን ኣይትቕናእ። [21] ወደየ፡ ንእግዚኣብሄርን ንንጉስን ፍርሃዮም፡ ምስ ዓለወኛታት ኣይትጸንበር። [22] ብድንገት መዓት ኪወርዶም እዩ እሞ፡ ንጥፍኣት ክልቲኦም መን እዩ ዚፈልጦ [23] እዚውን ካብ ጠቢባን እዩ፡ ኣብ ፍርዲ ኣድልዎ ምግባር ሰናይ ኣይኰነን። [24] ነቲ በደለኛስ፡ ጻድቕ ኢኻ ዚብሎ፡ ህዝብታት ኪረግምዎ፡ ኣህዛብውን ኪፍንፍንዎ እዮም። [25] እቶም ዚግስጽዎ ግና ደሓን ኪኾኑ እዮም፡ ኣብ ልዕሊኦም በረኸትን ጽቡቕ ዕድልን ኪወርድ እዩ። [26] ቅኑዕ ምላሽ ዚህብ፡ ከናፍር ይስዕም። [27] ናይ ወጻኢ ዕዮኻ ኣሰናዱ፡ ኣብ ግራት ከኣ ንኣኻ ኣዳሉ፡ ደሓር ቤትካ ስራሕ። [28] ንብጻይካ ብዘይ ምኽንያት መስኪርካ ኣይትጕድኣዮ፡ ብኸናፍርካ ድማ ኣይትጠበር። [29] ከምታ ዝገበረኒ ኽገብሮ፡ ብሰብ ከም ግብሩ ኽፈድዮ እየ፡ ኣይትበል። [30] ኣነ ብግራት ሃካይ፡ ብናይቲ ኣኣምሮ ዜብሉ ኣታኽልቲ ወይኒ ሐለፍኩ፡ [31] እንሆ ድማ፡ ተኾርባ በቝልዎ፡ ቈጥቋጥ ውሒጥዎ፡ እቲ መካበብያ እምኒውን ፈሪሱ። [32] ልበይ ኣውዲቐ ኣብኡ ተመልከትኩ፡ ንእኡ ርእየ ድማ ትምህርቲ ረኸብኩ፡ [33] ቅሩብ ድቃስ፡ ቅሩብ ትኽስታ፡ ምእንቲ ኽትዐርፍ ቅሩብ ኣእዳውካ ምምስቃል፡ [34] ሽዑ ድኽነትካ

ገስጊሱ፡ ንዴትካ ኸኣ ከም እተሰለፈ ሰብኣይ ይመጸካ።

# ምዕራፍ 25

1 እዘን ምስላታት እዚኤን ድማ ናይ ሰሎሞን እየን፡ ናይ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ ሰባት ከኣ ኣኽበብወን። 2
ክብሪ ኣግዚኣብሄርሲ ምስዋር ነገር እዩ፡ ክብሪ ነገስታት ግና ምምርማር ነገር እዩ። 3 ልዕልና ሰማይን
መዓሙቕ ምድርን ልቢ ነገስታት ኣይተመርማርን እዩ። 4 ንብሩር ካብ ዛዕጉ ኣጽርዮ እሞ፡ ሽዑ ነንጠረኛ
ኣቕሓ ይወጸሉ። 5 ንረሲእ ካብ ቅድሚ ንጉስ ኣርሕቆ፡ ሽዑ ዝፋን ንጉስ ብጽድቂ ይጸንዕ። 6-7 ኣብ ቅድሚ
እቲ ኣዒንትኻ ዝረኣያኦ መስፍን ካብ እትዋረድሲ፡ ናብዚ ልዕል በል፡ ኪብሉኻ ይሕሸካ እሞ፡ ኣብ
ቅድሚ ንጉስ ኣይትገሀር፡ ኣብ ቦታ ዓበይቲ ኣይትቐም። 8 ብጻይካ ምስ ኣሕፈረካ፡ ኣብ መወዳእታ
እትገብሮ ኸይጠፍኣካስ፡ ናብ ባእሲ ኣይትቐልጥፍ። 9-10 ዝሰምዔ ኸይጸርፈካ፡ ስምካ ኸኣ ከይከፍእሲ፡
ነገርካ ም ብጻይካ ተማጓረ፡ ምስጢር ካልእ ግና ኣይትቕላዕ። 11 ብግቡእ ጊዜ እተዘርበ ቓል ከም ሮማን
ወርቂ ኣብ ጻሕሊ ብሩር እዩ። 12 ንትሰምዕ እዝንን ጥበበኛን ገላጺ ኸም ቀለቤት ወርቅን ከም ስልማት
ጽሩይ ወርቅን እዩ። 13 እሙን ልኡኽ ነቶም ዚልእክዎ ኸምቲ ዛሕሊ ውርጪ ብጊዜ ቐውዒ እዩ፡ ንሱ
ንነፍሲ ጐይታኡ የቕስና። 14 ብዛዕባ ህያቡ ብሓሶት ዚጅሀር ሰብሲ፡ ከምቲ ዝናም ዜብሉ ደበናን ንፋስን
እዩ። 15 ፈራዲ ብትዕግስቲ ይቕልስ፡ ልዙብ መልሓስ ከኣ ኣዕጽምቲ ይሰብር። 16 መዓር እንተ ረኺብካ፡
እምብዛ ኸይትጸግብ እሞ ከይትተፍኦስ፡ ዚኣኽለካ ብላዕ። 17 ብጻይካ ኸይመንወካ እሞ ከይጸልኣካስ፡
ናብ ቤቱ እግርኻ ኣይተዘውትር። 18 እቲ ኣብ ብጻዩ ሓሶት ዚምስክርሲ ሞደሻን ሰይፍን በሊሕ ፍላጻን
እዩ። 19 ብመዓልቲ ጸበባ ንዚጽግዖ፡ ብዅባዅ ስንን መንሳተቲ እግርን እዩ። 20 ንሕዙን ልቢ ደርፊ
ዚደርፈሉስ ከምቲ ብጊዜ ቝሪ ንመደረብታኡ ዜቕንጥጦን ኣብ ጨው ከኣ መጺጽ ዜእትወሉን እዩ። 21
ጸላኢኻ እንተ ጠመየ፡ እንጌራ ኣብልዓዮ፡ እንተ ጸምኤውን፡ ማይ ኣስትዮ። 22 በዚ ኸምዚ ጓህሪ ኣብ
ርእሱ ትእክብ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኪፈድየካ እዩ። 23 ንፋስ ሰሜን ዝናም የምጽእ፡ ሓማይት ልሳን ከኣ ገጽ
ተጸውግ። 24 ካብ ምስ ናግራም ሰበይቲ ኣብ ሓደ ቤትሲ፡ ኣብ ዝባን ናሕሲ ብሓደ ወገን ምቕማጥ
ይሓይሽ። 25 ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጸ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። 26 ኣብ ቅድሚ
ረሲእ ሰንከልከል ዚብል ጻድቕ፡ ከምቲ ኣተዘርገ ዓይኒ ማይን ከም ዝሰበበ ዔላን እዩ። 27 መዓር
ኣብዚሕካ ምብላዕ ጽቡቕ ኣይኰነን፡ ከምኡውን ከቢድ ነገር ምምርማር ዜሸግር እዩ። 28 መንፈሱ
ዘይገትእ ሰብሲ ቀጽሪ ዜብላ ዝፈረሰት ከተማ እዩ።

# ምዕራፍ 26

1 ከምቲ በረድ ንጽብሓት፡ ዝናም ከኣ ንቐውዒ፡ ከምኡውን ንዓሻ ኽብረት ኣይግብኦን። 2 ምኽንያት
ዜብሉ መርገምሲ ኸምታ እትነፍር ጭሩ፡ ከምታ እትበርር ለኺዀቶ ኣይበጽሕን እዩ። 3 ሓለንጊ ንፈረስ፡
ልጓም ንኣድጊ፡ በትሪ ንዝባን ዓሻ እዩ። 4 ንስኻ ድማ ንእኡ ኸይትመስልሲ፡ ንዓሻ ኸም ዕሽነቱ
ኣይትምለሰሉ። 5 ዓሻ፡ ጠቢብ ከም ዝኾነ ኸይመስሎስ፡ ከም ዕሽነቱ ምለሰሉ። 6 እቲ ብኢድ ዓሻ
መልእኽቲ ዚሰድድ ባዕሉ ኣእጋሩ ይቈርጽ እሞ መከራ ይሰቲ። 7 ኣእጋር መጻጉዕ ጠልጠል ይብላ፡ ምስላ
ኸኣ ኣብ ኣፍ ዓያሱ ኸምኡ እዩ። 8 ንዓሻ ኽብረት ምሃብሲ፡ ከምቲ ኸረጺት ዕንቍ ናብ ምራ እምኒ
ምድርባይ እዩ። 9 ምስላ ኣብ ኢድ ዓያሱ ኸም እሾኽ ኣብ ኢድ ሰካር እዩ። 10 እቲ ምስ ዓሻን ምስ ሓላፍ

መገድን ዚውዓዓል፡ ከምቲ ንዚረኸበ ዚወግእ ወርዋር ፍላጻ እዩ። 11 ከልቢ ናብ ትፋኡ ኸም ዚምለስ፡
ዓሻ ኸምኡ ንዕሽነቱ ይደጋግሞ። 12 ኣነ ጥበበኛ እየ፡ ዚብል ሰብዶ ርኢኻ ትፈልጥ፡ ካብ ብኡኡስ ብዓሻ
ተስፋ ምግባር ይበልጽ። 13 እቲ ሃካይ፡ ኣብ መገዲ ኣንበሳ ኣሎ፡ ኤረ ኣብ ኣደባባይ ኣንበሳ ኣሎ፡ ይብል።
14 ከምቲ ማዕጾ ኣብ ወንድወንዶኡ፡ ሃካይውን ከምኡ ኣብ ዓራት ይዘውር። 15 ሃካይ ንኢዱ ናብ ጻሕሊ
የእትዋ እሞ፡ ናብ ኣፉ ምምላስ ድኻም ይኾኖ። 16 ሃካይሲ ኻብ ሾብዓተ ሰብ ብምስትውዓል ዚምለሱ
ንሱ ብጥበብ ዝበለጸ ይመስሎ። 17 እቲ ናብ ዘይነገሩ ዜኣቱ ሓላፍ መገዲ ከምቲ ንእዝኒ ኸልቢ ዚሕዝ
እዩ። 18-19 እቲ ንብጻዩ ጠቢርዎስ፡ ኪጻወተካ እየ ዝገበርክዎ፡ ዚብል እያድን ፍላጻን ሞትን ከም
ዚውርውር ዕቡድ እዩ። 20 ዕጨይቲ እንተ ተወድኤ፡ ሓዊ ይጠፍእ፡ ሓማዪ እንተ ዘየሎ ኸኣ ባእሲ
ይውዳእ። 21 ከሰል ንዃህሪ ዕጨይቲ ንሓዊ ኸም ዚኸውን፡ ናግራም ሰብኣይ ከኣ ከምኡ ባእሲ የሳውር።
22 ዘረባ ሃማዪ ኸኣ ጥዑም ኵላሶ እዩ እሞ፡ ክሳዕ ውሽጢ መዓንጣ ይወርድ። 23 ርሱን ከናፍርን እኩይ
ልብንሲ ብዓፍራ ብሩር ከም እተለበጠ ኣቕሓ መሬት እዩ። 24 ጸላኢ ብኸናፍሩ የምስል፡ ኣብ ውሽጡ ግና
ጥበራ የንብር። 25 ኣብ ልቡ ሾብዓተ ዜፈንፍን ኣለዎ እሞ፡ ድምጹ ኣልዚቡ እንተ ተዛረበ እኳ፡
ኣይትእመኖ። 26 ጽልኡ ብተንኰል እንተ ተሐብኤ እኳ፡ ክፍእቱስ ኣብ ማሕበር ኪቕላዕ እዩ። 27 ጕድጓድ
ዚኹዕት ኣብኣ ይወድቕ፡ እምኒ ዜንከባልል ከኣ ንሳ ትምለሶ። 28 ሓሳዊት ልሳን ነቶም ዘቍሰለቶም
ትጸልኦም፡ መቀባጠሪ ኣፍ ከኣ ጥፍኣት የምጽእ።

# ምዕራፍ 27

1 መዓልቲ እትወልዶ ኣይትፈልጦን ኢኻ እሞ፡ ብጽባሕ ኣይትመካሕ። 2 ካልእ ይንኣድካ፡ ዃና እምበር፡
ከናፍርካ ኣይኰነን። 3 እምኒ ኸቢድ እዩ፡ ሑጻ ኸኣ ረዚን እዩ፡ ካብ ክልቲኡ ግና ኣንጸርጽሮት ዓሻ
ይኸብድ። 4 ቍጥዓ ጨካን እዩ፡ ኵራውን ውሒዝ እዩ፡ ኣብ ቅድሚ ቕንኢ ግና መን ደው ይብል 5 ካብ
ሕቡእ ፍቕሪ ግሉጽ ተግሳጽ ይሐይሽ። 6 ናይ ፈታዊ ምቍሳል እሙን እዩ፡ ጸላኢ ግና ኣብዚሑ ይስዕም። 7
ንዝጸገበት ነፍስስ ወለላ መዓር ትርግጽ፡ንዝጠመየት ነፍሲ ግና ኵሉ መሪር እኳ ጥዑም እዩ። 8 ካብ ቤቱ
ወጺኡ ዚኾብልል ሰብ፡ ቤታ ሐዲጋ ኸም እትኾብልል ዑፍ እዩ። 9 ቅብእን ዕጣንን ንልቢ የሐጕሶ፡
ጣዕሚ ፈታዊ ምስናይ ምኽሪ ነፍሱ ኸኣ ከምኡ እዩ። 10 ፈታዊኻን ፈታው ኣቦኻን ኣይትሕደግ፡
ብመዓልቲ ጸበባኻ ናብ ቤት ሓውካ ኣይትኺድ፡ ካብር ርሑቕ ዘሎ ሓውስ ኣብ ቀረባ ዘሎ ጎረቤት
ይሓይሽ። 11 ወደየ፡ ነቲ ዚጸርፈኒ ምላሽ ምሃቡ ክኽእልሲ፡ ጥበበኛ ኹን፡ ንልበይውን ኣሐጕሶ። 12
ኣስተውዓሊ ሰብሲ እከይ ይርኢ እሞ ይሕባእ፡ ገርህታት ግና ንቕድሚት ይኸዱ እሞ ብእኡ ይጐድኡ።
13 ነቲ ንጓና እተዋሕሰ ኽዳኑ ውሰደሉ፡ ኣብ ክንዲ እታ ጓና ኻብኡ ታሕዚ ውሰድ። 14 እቲ ኣንጊሁ ዓው
ኢሉ ንብጻዩ ዚምርቕ፡ ከም ዚረግም እዩ ዚቝጸር። 15 ብመዓልቲ ጥሚቕ ከየቛረጸ ዜንጥብ ቤትን ናግራም
ሰበይትን ሓደ እዮም። 16 ንእኣ ምዕጋትሲ ንንፋስ ምዕጋትን ብየማነይትኻ ዘይቲ ምዕማኹን እዩ። 17
ሓጺን ንሓጺን ይስሕሎ፡ ከምኡ ኸኣ ሰብ ንገጽ ብጻዩ ይስሕሎ። 18 ንበለስ ዚኸናኸን፡ ፍሬኣ ይበልዕ፡
ንጐይታኡ ዚከናኸን ከኣ ይኸብር። 19 ከምቲ ገጽ ንገጽ ኣብ ማይ ዘርእዮ፡ ከምኡ ኸኣል ልቢ ሰብ ንሰብ
ይርእዮ። 20 ሲኦልን መዓመቕን ከቶ ኣይጸግቡን፡ ከምኡውን ኣዒንቲ ሰብ ኣይጸግባን እየን። 21 መምከኺ
ንብሩር፡ እቶን ንወርቂ እዩ፡ ሰብ በቲ ዚነኣዶ ይፍለጥ። 22 ንዓሻ ኣብ ሞጕእ ምስ ጕርዲ ብንኢ እንተ
ትጐድኦ እኳ፡ እቲ ዕሽነቱ ኣይምሐደጎን። 23-24 ሃብቲ ንሓዋሩ ዘውዲውን ንውሉድ ወለዶ ኣይነብርን እዩ
እሞ፡ ሃለዋት ኣባጊዕካ ኣጸቢቕካ ፍለጥ፡ ንልብኻ ኣብ መጓሴኻ ኣንብሮ። 25 ዕላም ሐሊፉ ለቕሚ በቚሉ፡

ኣብ ኣኽራን ድማ መኸል ተኣኪቡ። [26] ዕያውቲ ንኽዳንካ፡ ድቤላውን መዓድግ ግራት ኣሎካ፡ [27] ጸባ
ኣጣል ንምግብኻን ንምግቢ ስድራኻን ንቐለብ ኣግራድኻን ኪኣክል እዩ።

## ምዕራፍ 28

[1] ረሲኣን ዚሰጎም ዜብሎም ይሀድሙ፡ ጻድቃን ግና ከም ሽደን ኣንበሳ ይተብዑ። [2] ብሰሪ ኣበሳ ሃገርሲ
ሓለቓታታ ይበዝሑ፡ ብሳላ ኣስተውዓልን ጥበበኛን ሰብ ግና ህልዋታ ይነውሕ። [3] ንመስኪን ዜንጨንቕ
ድኻስ፡ ከምቲ ደምሲሱ እንጌራ ዘኽልእ ዝናም እዩ። [4] መፍረስቲ ሕጊ ንረሲኣን ይንእስዎም፡ ሓለውቲ
ሕጊ ግና ይዋግእዎም። [5] እኩያት ሰባትሲ ቅንዕና ኣየስተውዕሉን፡ እቶም ንእግዚኣብሄር ዚደልይዎ ግና
ኵሉ የስተውዕሉ። [6] ካብቲ ብጠዋይ መገዲ ዚኸይድ ሃብታምሲ፡ ንብጽህና ዚመላለስ ድኻ ይሓይሽ። [7]
ንሕጊ ዚሕልዎስ ኣስተውዓሊ ውሉድ እዩ፡ ምስ ሓሻሻት ዚመሐዞ ግና ነቦኡ የሕፍሮ። [8] እቲ ብዘይ ግባእ
ረብሓን ሐረጣን ገንዘቡ ዜብዝሕ፡ ነቲ ንመሳኺን ዚርሕርሓሎም ይእክበሉ። [9] እቲ ሕጊ ከይሰምዕ ኢሉ
እዝኑ ዚመልስ፡ ጸሎቱ እኳ ፍንፉን ኢዩ። [10] እቲ ንቕኑዓት ኣጋግዩ ናብ እኩይ መገዲ ዜእትዎም፡ ባዕሉ
ኣብ ጕድጓድ ይወድቕ፡ እቶም ፍጹማት ግና ሰናይ ኪወርሱ እዮም። [11] ሃብታም ሰብ ጥበበኛ ዝዀነ
ይመስሎ፡ ግናኸ ኣእምሮ ዘለዎ ድኻ ይዕዘቦ። [12] ጻድቃን እንተ ተዐወቱ፡ ዓብዪ ኽብሪ ይኸውን፡ ረሲኣን
ልዕል እንተ በሉ ግና፡ ሰብ ይሕባእ። [13] ገበኑ ዚኽውል ኣይሰልጦን፡ እቲ ዚናዘዘሉ እሞ ዚሐድጎ ግና
ምሕረት ይረክብ። [14] ኵሉ ግዜ ዚፈርህ ሰብ ብጹእ እዩ፡ ልቡ ዜትርር ግና ኣብ መከራ ይወድቕ። [15] ኣብ
ድኻ ህዝቢ ዚገዝእ ረሲእ ከም ዚጓዝም ኣንበሳን ከም ጥሙይ ድብን እዩ። [16] ኣእምሮ ዜብሉ መስፍን
ብዙሕ የገፍዕ፡ ንፍገት ዚጸልእ ግና መዓልትታቱ የንውሕ። [17] ደም ነፍሲ ዝኸበዶ ሰብ ክሳዕ መቓብር
ይሀድም፡ ሓደ እኳ ኣይዕገቶ። [18] ብዘይ መንቅብ ዚመላለስ ይድሕን፡ ብጠዋይ መገዲ ዚኸይድ ግና
ብሓብሓ ይወድቕ። [19] ግራቱ ዚከናኸን እንጌራ ይጸግብ፡ ደድሕሪ ምናምን ዚስዕብ ግና ሽጋር ይጸግብ። [20]
እሙን ሰብ ኣዝዩ ይባረኽ፡ እቲ ኽህብትም ኢሉ ዚህወኽ ግና ከይተቐጽዔ ኣይተርፍን። [21] ኣድልዎ ሰናይ
ኣይኰነን፡ ሰብ ምእንቲ ቍራስ ኣንጌራ ይብድል። [22] ክፉእ ዝዓይኑ ሰብ ኪህብትም ይቕልጥፍ፡ ሽጋር
ከም ዚወርዶ ኸኣ ኣይፈልጥን። [23] ካብቲ ብልዙብ ልሳን ዜቀባጥርሲ፡ እቲ ንሰብ ዚግስጾ ደሓር ዝበለጸ
ሞገስ ይረክብ። [24] እቲ ኻብ ኣቦኡን ኣዲኡን ዚሰርቕ እሞ፡ ሓጢኣት ኣይኰነን፡ ዚብል፡ ንሱ መሓዛ
መጣፍኢ እዩ። [25] ረብሓ ዚሀርፍ ሰብ ባእሲ የልዕል። ብእግዚኣብሄር ዚእመን ግና ይጸግብ። [26] ብልቡ
ዚእመን ዓሻ እዩ፡ ብጥበብ ዚመላለስ ግና የምልጥ። [27] ንድኻ ዚህብ ገለ ኣይጐድሎን፡ ነቲ ኣዓንቱ
ዚኣምቶ ግና ብዙሕ መርገም ይወርዶ። [28] ረሲኣን ልዕል እንተ በሉ፡ ሰብ ይግባእ፡ እንተ ጠፍኡ ግና፡
ጻድስቃን ይዕምሩ።

## ምዕራፍ 29

[1] እቲ ብዙሕ ተገሲጹ ክሳዱ ዜትርር ሰብ ብድንገት ይጭፍለቕ፡ መድሃኒትውን የብሉን። [2] ጻድቃን እንተ
ዐመሩ፡ ህዝቢ ይሕጐስ፡ ረሲእ እንተ ሰልጠነ ግና፡ ህዝቢ የስቈርቍር። [3] ጥበብ ዚፈቱ ሰብ ነቦኡ
የሐጕሶ፡ ምስ ኣመናዝር ዚመሐዞ ግና ገንዘቡ ይውድእ። [4] ንጉስ ንሃገር ብፍርዲ የጽንዓ፡ ፈታው መማለጃ
ግና የጥፍእ። [5] እቲ ንብጻዩ ዜቀባጥረሉ ነእጋሩ መጻወድያ ይገብረሉ። [6] ኣብ ገበን እኩይ ሰብ መፈንጠራ
ኣሎ፡ ጻድቕ ግና እልል ይብል ይሕጐስውን። [7] ጻድቕ ንገበን ድኻታት የስተውዕሎ፡ ረሲእ ግና

ምስትውዓል ኣይፈልጥን። [8] መላገጽቲ ሰብ ከተማ የንድዱ፡ ጠቢባን ግና ኵራ ይመልሱ። [9] ጠቢብ ምስ
ዓሻ እንተ ተማጐተ፡ ወይ ይኹሪ ወይ ከኣ ይስሕቕ፡ ዕረፍቲ የብሉን። [10] እቶም መፍሰስቲ ደም ንፍጹም
ሰብ ይጸልእዎ፡ ቅኑዓት ግና ነፍሱ ይደልዩ። [11] ዓሻ ንኹሉ ኹራኡ ይድርጕሖ፡ ጥበበኛ ግና ይዐግቶ
የህድኦውን። [12] እቲ ብሓሶት ጽን ዚብል መኰንን፡ ኵሎም ገላውኡ ረሲኣን እዮም። [13] ድኻን ጠቃዕን
ይራኸቡ፡ ነዒንቲ ኽልቲኦም ዜብርህ እግዚኣብሄር እዩ። [14] እቲ ንመስኪን ብቕንዕና ዘፈርዶም ንጉስ፡
ዝፋኑ ንሓዋሩ ይጸንዕ። [15] ሸቦጥን ተግሳጽን ጥበብ ይህብ፡ ስዲ ዝኸደ ውሉድ ግና ንወላዲቱ የሕፍር። [16]
ረሲኣን እንተ በዝሑ፡ ገበን ይበዝሕ፡ ጻድቃን ግና ውድቀቶም ይርእዩ። [17] ንውሉድካ ቕጽዓዮ እሞ
ኬዕርፈካ፡ ንነፍስኻውን ተድላ ኪኸውን እዩ። [18] ራእይ ዜልቦ እንተ ኾነ፡ ህዝቢ ስዲ ይኸይድ፡ ሕጊ
ዚሕሉ ግና ብጹእ እዩ። [19] ባርያ፡ ምንም እኳ እንተ ኣስተውዐለ፡ ኣይእዘዝን እዩ እሞ፡ ብዘረባ
ኣይቅጻዕን። [20] ተሀዊኹ ዚዛረብ ሰብዶ ርኢኻ ካብ ብእኡስ ብዓሻ ተስፋ ኣሎ። [21] እቲ ኻብ ንእስነቱ
ጀሚሩ ብሕንቃቕ ዝዐበየ ባርያ ኣብ መወዳእታ ውሉድ ይኸውን። [22] ቍጡዕ ሰብ ባእሲ የልዕል፡ ተነቃፊ
ሰብ ሓጢኣት የብዝሕ። [23] ንሰብ ትዕቢት የዋርዶ፡ ብመንፈሱ ትሑት ዝኾነ ግና ክብረት ይረክብ። [24]
እቲ ምስ ሰራቒ ዚሓብር ንነፍሱ ይጸልኣ፡ ንሱ መርገም ይሰምዕ ገለ ኸኣ ኣይገልጽን። [25] ንሰብ ምፍራህ
ኣብ መፈንጠራ የእቱ፡ብእግዚኣብሄር ዚእመን ግና ኣብ ደሓን ይነብር። [26] ብዙሓት ሰብ ሞገስ ገዛኢ
ይደልዩ፡ ፍርዲ ነፍሲ ግና ካብ እግዚኣብሄር እዩ። [27] ሓጢኣተኛ ሰብ ኣብ ቅድሚ ጻድቃን ፍንፉን እዩ፡
እቲ ብቕኑዕ መገዲ ዚመላለስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ረሲኣን ፍንፉን እዩ።

## ምዕራፍ 30

[1] እዚኣ ናይ ኣጉር ወዲ ያቂ ቃላትን ንግራትን እያ። እቲ ሰብኣይ እቲ ንኢቲኤል፡ ንኢቲኤልን ንኡካልን
ከምዚ ይብል፡ [2] ብርግጽ ካብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣነ ደንቆሮ እየ፡ ኣእምሮ ሰብ የብለይን። [3] ጥበብ
ኣይተምሃርኩን፡ ፍልጠት እቲ ቅዱስ የብለይን። [4] ናብ ሰማይ ዝደየበ እሞ ዝወረደ መን እዩ ንንፋስ ኣብ
ዕምኩ ዝኣከቦ መን እዩ ንማያት ኣብ ክዳኑ ዝቜጸሮ መን እዩ እንታይ እዩ ስሙ ስም ወዱኸ እንታይ እዩ
እዚዶ ትፈልጥ ኢኻ [5] ቃል ኣምላኽ ብዘሎ ኹሉዕ እዩ፡ ንሱ ነቶም ናብኡ ዚዕቈቡ ዋልታኦም እዩ። [6]
ከይዘልፈካ፡ ሓሳዊ ኼንካ ኸኣ ከይትርከብሲ፡ ናብ ቃሉ ሓንቲ እኳ ኣይትወስኽ። [7] ኣነ ኽልተ ነገር እየ
ዝልምነካ፡ ክሳዕ ዕለተ ሞተይ ንእኤን ኣይትኸልኣኒ፡ [8-9] ጸጊበስ ከይክሕደካ እሞ፡ እግዚኣብሄር መን እዩ
ከይብል፡ ወይ ደኺየስ ከይሰርቕ እሞ ስም ኣምላኸይ ከየቃልልሲ፡ ድኽነትን ሃብትን ኣይሀበኒ፡ ግናኸ
በቲ ዜድልየኒ እንጌራ መግበኒ፡ ከንቱነትን ሓሶትን ኣርሕቐለይ። [10] ምእንቲ ኸይረግመካ፡ በዳሊ ኸኣ
ከይትኸውንሲ፡ ንግልያ ኣብ ቅድሚ ጐይታኡ ኣይትሕመዮ። [11] ነቦኡ ዚረግም፡ ነዲኡ ኸኣ ዘይምርቕ
ወለዶ ኣሎ። [12] ርኽሰቱ ዘይተሐጽበስ፡ ኣነ ንጹህ እየ፡ ዚብል ወለዶ ኣሎ። [13] ዕቡይ ዝዓይኑ፡ ኵሩዕ
ዝቜላሕታኡ ወለዶ ኣሎ። [14] ነመሳኪን ካብ ምድሪ፡ ንድኻታት ካብ ማእከል ደቂ ሰብ ምእንቲ
ኺውሕጦምሲ፡ ሰይፊ ዝስኑ፡ ካራታት ዝኾርምቱ ወለዶ ኣሎ። [15] ዓለቕትስ፡ ሀበኒ፡ ሀበኒ፡ ዚብላ ኽልተ
ኣዋልድ ኣለዋኣ። ዘይጸግብ ሰለስተ እዮም፡ ኤረ ይኣክል ዝይብሉስ ኣርባዕተ እዮም፡ [16] ሲኦልን ዘይወልድ
ማሕጸንን ማይ ዘይጸግብ መሬትን ይኣኽለኒ ዘይብል ሓውን እዮም። [17] እቲ ነቦኡ ዜባጭዋ ነዲኡ ኸኣ
ከይእዘዛ ዚንዕቃ፡ ንዓይኑ ኳኺት ርባ ኺጕጥጕጥዎ፡ ጨጫዊት ንስሪ ኸኣ ኺበልዕዋ እዮም። [18] ኣዝዩ
ዚገርመኒ ሰለስተ ነገር ኣሎ፡ ኤረ ዘይፈልጦስ ኣርባዕተ እዩ፡ [19] መገዲ ንስሪ ኣብ ሰማይ፡ መገዲ ተመን
ኣብ ከውሒ፡ መገዲ መርከብ ኣብ ማእከል ባሕሪ፡ መገዲ ሰብኣይ ምስ ቆንጆ። [20] ኣመንዝራ ሰበይቲውን

መገዳ ኸምኡ እዩ፡ በሊዓ ኣፋ ሕብስ ኣቢላ፡ ገለ እከይ እኳ ኣይገበርኩን፡ ትብል። 21 ምድሪ ብሰለስተ
ነገር ተንቀጥቅጥ፡ ኤረ ኽትጾሮ ዘይትኽእልሲ ኣርባዕተ እዩ። 22 ባርያ እንተ ነገሰ፡ ዓሻ እንጌራ እንተ ጸገበ፡
23 እተጸልኤት ሰበይቲ ሰብኣይ እንተ ረኸበት፡ ገረድ ከኣ ንእምበይታ እንተ ወረሰታ። 24 ኣብ ምድሪ
ኣርባዕተ ደቀቕቲ ኣለዉ፡ ግናኸ ኣዝዮም ጥበበኛታት እዮም። 25 ጻጸ ሓይሊ ዜብሉን ህዝቢ እዩ፡ ግናኸ
ምግቡ ብሓጋይ የዳሉ። 26 ጊሔታይ ሓይሊ ዜብለን ህዝቢ እየን፡ ግናኸ ኣባይተን ኣብ ኣኻውሕ ይገብራ።
27 ኣንበጣ ንጉስ የብሉን፡ ግናኸ በገባብ ሓቢሩ ይጕዓዝ። 28 ጠበቕ ብኢድካ ምሓዙ ዚከኣል እዩ፡ ግናኸ
ኣብ ኣደራሽ ነገስታት ይርከብ። 29 ሰለስተ ብጽቡቕ ኣኻይዳ ይስጕሙ፡ ኤረ ግሩም ገይሮም ዚራመዱስ
ኣርባዕተ እዮም፡ 30 ካብ ኵሉ እንስሳ ዚብርትዕ፡ ብገለ እኳ ድሕር ዘይብል ኣንበሳ፡ 31 ናብ ውግእ ዚነቅል
ፈረስ፡ ድቢላ፡ ቀቅድሚ ሰራዊቱ ዚኸይድ ንጉስ። 32-33 ርጕኦ እንተ ተሐቕነ፡ ልኻይ የውጽእ፡ ኣፍንጫ
እንተ ተወቕጌ፡ ደም የውጽእ፡ ከምኡ ኸኣ ኵራ ዚቕስቅስ ባእሲ የልዕል እዩ እሞ፡ ርእስኻ ልዕል ኣቢልካ
ዕሽነት እንተ ገበርካ፡ ወይስ እንተ ሐሰብካ፡ ኣፍካ ብኢድካ ዕበስ።

# ምዕራፍ 31

1 ቃላት ንጉስ ልሙኤል፡ ኣዲኡ ዝመሀረቶ ንግራት፡ 2 ኣየ፡ ኣታ ወደየ፡ እንታይ ኣታ ውሉድ ከርሰይ፡
እንታይ እንታይ እሞ፡ ኣታ ወዲ መብጽዓይ 3 ሓይልኻ ነንስቲ፡ መገድኻ ኸኣ ነተን መጥፋእቲ ነገስታት
ኣይትሀብ። 4-5 ልሙኤለየ፡ ሰትዮም ሕጊ ኸይርስዑ እሞ፡ ፍርዲ ኹሎም ግፉዓት ከይልውጡስ፡ እዚ
ኣይንነገስታትን እዩ፡ ነገስታት ወይኒ ኺሰትዩ፡ መሳፍንቲ፡ ዜስክር መስተ ኣበይ ኣሎ ኪብሉ ኣይግባእን። 6
ብርቱዕ መስተስ ነቲ ናብ ጥፍኣት ዝቐረበ፡ ወይኒ ኸኣ ነቶም ነፍሶም እተመረረት ሰባት ደኣ ሀቡ። 7
ይስተ እሞ ድኽነቱ ይረስዕ፡ መከራኡ ኸኣ ኣይዘክር። 8 ኣብ ክንዲ ዓባስ፡ ኣብ ክንዲ እቶም ጸግዒ
ዜብሎም ኣፍካ ኽፈት። 9 ኣፍካ ኽፈት፡ ብቕንዕና ፍረድ፡ ንሽጉርን ንመስኪንን ብይን ኣውጽኣሎም። 10
ደገኛ ሰበይትስ መን ይረክባ ዋጋኣ ኻብ ኩቡር ዕንቍ ኣዝዮ ይከብር። 11 ልቢ ሰብኣያ ይእመና፡ እቶቱ
ከቶ ኣየቛርጽን። 12 ንሳ ምሉእ ዕድሚኣ ሰናይ እምበር፡ ክፉእ ኣይትገብሮን። 13 ጸጕርን ልሕጺ እንታጢዕን
ትደሊ፡ ተሐጕሳ ኸኣ ብኢዳ ትዐዩ። 14 ንሳ ኸም መርከብ ነጋዶ እያ፡ ካብ ርሑቕ ምግባ ተምጽእ። 15 ገና
ለይቲ ኸሎ፡ ትትንስእ እሞ፡ ንስድራ ቤታ ምግቦም ትህቦም፡ ነግራዳ ኸኣ ሰስርሔን ተትሕዘን። 16 ግራት
ትምልከት እሞ ትዕድጎ፡ ብፍረ ኣእዳዋ ኸኣ ኣታኽልቲ ወይኒ ትተክል። 17 ሕቕኣ ብሓይሊ ይዕጠቕ፡
ቀላጽማ ኸኣ ተበርትዕ። 18 ኣቓሑ ንግዳ ጽቡቕ ዝኾነ ትርኢ፡ መብራህታ ብለይቲ ኣይጠፍእን። 19
ኣእዳዋ መፍተል የልዕላ፡ ኣጻብዓውን ቍኒን ይሕዛ። 20 ንሽጉራት ኢዳ ትዝርግሓሎም፡ ንጹጉማት ከኣ
ኣእዳዋ ትሰደሎም። 21 ኵሎም ስድራኣ ሰብ ደርብ ክዳን እዮም እሞ፡ ስለ ስድራኣ ብወርጪ
ኣይትፈርህን። 22 ንርእሳ ምንጻፋት ትገብር፡ ክዳውንታውን በፍታን ጁኹን እዩ። 23 ሰብኣያ ኣብ ደገ ኣብ
ማእከል ዓበይቲ ዓዲ ምስ ዚቕመጥ ምርኡይ እዩ። 24 ጽቡቕ ቀሚሽ ኣሊማ ትሸይጥ፡ መቕነት ነጋዳይ
ትህብ። 25 ሓይልን ክብረትን ልብሳ እዩ፡ ነቲ ዚመጽእ መዓልቲ ትስሕቆ። 26 ኣፋ ብጥበብ ትኸፍት፡
ትምህርቲ ለውሃት ድማ ኣብ ልሳና እዩ። 27 ንብረት ቤታ ትሕሉ፡ እንጌራ ትህኪት ኣይትበልዕን። 28-29
ደቃ ይትንስኡ ብርኽቲ ኸኣ ይብልዋ፡ ሰብኣያ ድማ፡ ብዙሃት ኣንስቲ ጽቡቕ ዝገበራ ኣለዋ፡ ንስኺ ግና
ንኹላተን ትበልጽየን፡ ኢሉ ይንእዳ። 30 ጽባቐ መልክዕ ጠባሪ እዩ፡ ውቃበ ኸኣ ከንቱ እዩ፡ ንእግዚኣብሄር
እትፈርህ ሰበይቲ ግና ትንኣድ። 31 ካብ ፍረ ኣእዳዋ ሀብዋ፡ ኣብ ደጌታትውን ተግባራ ይንኣዳ።

# መጽሓፍ መክብብ

## ምዕራፍ 1

[1] ቃላት እቲ ሰባኺ፡ ወዲ ዳዊት ንጉስ የሩሳሌም። [2] ከንቱነት ናይ ከንቱነታት፡ ይብል እቲ ሰባኺ፡
ከንቱነት ናይ ከንቱነታት፡ ኩሉ ከንቱነት እዩ። [3] ሰብ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚጽዕረሉ ዅሉ ጻዕሪ
እንታይ ረብሓ ይረኽበሉ፡ [4] ወለዶ ይኸይድ፡ ወለዶ ኸኣ ይመጽእ፡ ምድሪ ግና ንዘለኣለም ትቐውም። [5]
ጸሓይ ድማ ትበርቕ፡ ጸሓይ ከኣ ትዐርብ፡ ናብቲ ዝበረቐትሉ ቦታ ኽትምለሰውን ትቕልጥፍ። [6] ንፋስ ናብ
ደቡብ ይኸይድ፡ ናብ ሰሜን ከኣ ይዘውር፡ እቲ ንፋስ ኣዘውቲሩ እናኸደ ይዘውር፡ ናብ ዙረቱውን ከም
ብሓድሽ ይምለስ። [7] ውሒዝ ዘበለ ዅሉ ናብ ባሕሪ ይኸይድ፡ ባሕሪ ግና ከቶ ኣይመልኣን። ወሓይዝ
ናብቲ ዝኸደሉ ቦታ መመሊሱ ይኸይድ። [8] ኩሉ ነገር ይጽዕር፡ ሰብ ኪዛረብ እኳ ኣይይኽእልን። ዓይኒ
ብምርኣይ ኣይትጸግብን እዝኒ ኸኣ ብምስማዕ ኣይትመልእን። [9] እቲ ዝነበረ ንሱ እዩ መሊሱ ዚነብር፡ እቲ
እተገብረ ኸኣ ንሱ እዩ መሊሱ ዚነብር፡ እቲ እተገብረ ኸኣ ንሱ መሊሱ ዚግበር፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይሲ
ሓድሽ ነገር ከቶ የልቦን። [10] ሰብሲ፡ እንሆ፡ እዚኣ ሓዳስ እያ፡ ዚብለላ ነገርዶ ኣላ እያ፡ ድሮ በቲ ቕድሜና
ዝነበረ ዘመናት ዝነበረት እያ። [11] እተን ቀደም ዝነበራ ነገራትሲ መዘከርታ የብለንን። እተን ብደሓር
ዚኾና ኸኣ ኣብቶም ብድሕሪኤን ዚመጹ መዘከርታ የብለንን። [12] ኣነ ሰባኺ ኣብ የሩሳሌም ንጉስ
እስራኤል ነበርኩ። [13] ኣብ ትሕቲ ሰማይ ዚግበር ዘበለ ዅሉ ብጥበብ ክምርምርን ክስተብህልን ልበይ
ኣቕናዕኩ። እዝስ እግዚኣብሄር ንደቂ ሰብ ኪሳቐዩሉ ዝሀቦም ሕማቕ ጻዕሪ እዩ። [14] ኣብ ትሕቲ ጸሓይ
ዚግበር ዅሉ ኽንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይን እዩ። [15] ቁናን ኪቕንዕ ኣይከኣልን፡ እተሳእነውን
ኪቝጸር ኣይከኣልን። [16] ኣነ እንሆ ሓለፋ እቶም ቅድመይ ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ዓብዩ ጥበብ ኣጥሬኹ፡
ኢለ ብልበይ በልኩ። ልበይ ናይ ጥበብን ፍልጠትን ምልኣት ረአየ። [17] ንጥበብ ክፈልጣ፡ ንዕሽነትን
ድንቁርናን ክፈልጠን ኢለ ልበይ ኣቕኒዔስ፡ እዚውን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይ ምዃኑ ኣስተብሀልኩ። [18]
ብዙሕ ጥበብ ኣብ ዘለዎ፡ ኣብኡ ብዙሕ ጓሂ ኣሎ እሞ፡ እቲ ፍልጠት ዜብዝሕ ስቓይ ይበዝሕ።

## ምዕራፍ 2

[1] ኣነ ብልበይ፡ እምበኣርሲ ብታሕጓስ ክፍትነካ እሞ፡ ባህ ይበልካ፡ በልኩ። ግናኽ እንሆ እዚውን
ከንቱነት እዩ። [2] ንሰሓቕ፡ ዕሽነት ኢኻ፡ ንታሕጓስ ከኣ፡ እንታይ ትጠቅም፡ በልክዎም። [3] ኣነ ብልበይ፡ ነቲ
ደቂ ሰብ ብመዓልትታት ህይወቶም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ኪገብርዎ ዚግብኦም ሰናይ ክሳዕ ዝርኢ፡ ልበይ
ብጥበብ እነመርሓንስ፡ ንስጋይ ወይኒ ኽይከልኦ፡ ንድንቁርና ኸኣ ክሕዛ ሐሰብኩ። [4] ዓበይቲ ዕዮ ገበርኩ፡
ኣባይቲ ንኣይ ኣስራሕኩ፡ ኣታኽልቲ ወይንታት ንኣይ ተኸልኩ። [5] ኣታኽልትን ገነታትን ንኣይ ገበርኩ።
በብዓይነቱ ፍሬታት ዚፈሪ ኣእዋም ከኣ ተኸልኩሉ። [6] ነቲ ኣብ ዱር ዝበቕለ ኣእዋም ምእንቲ ኽስተየሉስ፡
ንኣይ ሓጽቢ ገበርኩ። [7] ተባዕትዮን ኣንስትዮን ባሮት ዐደግኩ፡ ኣብ ቤተይ እተወልዱ ባሮት ዐደግኩ፡ ኣብ
ቤተይ እተወልዱ ባሮት ከኣ ነበሩኒ፡ ብዙሕ እንስሳ፡ ካብ ናይቶም ቅድመይ ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ
ዅሎም ዚበዝሕ ኣሓን ኣባጊዕን ድማ ነበራኒ። [8] ብሩር፡ ወርቂ ናይ ነገስታትን ሃገራትን ከኣ መዝገባት
ኣከብኩ፡ ደራፎን ዚደርፋን፡ እቲ ተድላ ደቂ ሰብ ከኣ፡ ብዙሓት ኣንስትን ገበርኩ። [9] በዚ ኸምዚ ዓብዩ

ኾንኩ፡ ሐለፋ እቶም ቅድመይ ኣብ የሩሳሌም ዝነበሩ ኹሎም ድና እናዐቤኹ ኸድኩ። ጥበበይውን
ምሳይ ጸንዔት። [10] ኣዒንተይ ዝደለያኦ ኹሉ ኣይከልከልክወንን፡ ሓጎስ ዘበለ ንልበይ ኣይከላእክዎን።
ልበይ ብኹሉ ጻዕረይ ይሕጎስ ነይሩ እዩ እሞ፡ ጸማ ኹሉ ጻዕረይ እዚ ኾነ። [11] ሽዑ ነቲ ኣእዳወይ
ዝገበራኦ ኹሉ ዕዮን ነቲ እናዐየኹ ዝጸዐርኩሉ ጻዕርን ተመልከትክዎ፡ እንሆ ኸኣ፡ እዚ ኹሉ ኸንቱነትን
ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይን እዩ፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይሲ ረብሓ የልቦን። [12] እቲ ድሕሪ ንጉስ ዚመጽእ ሰብ
እንታይ ኪገብር እዩ፡ ነቲ ድሮ እተገብረ እዩ። እምበኣርሲ ንጥበብን ንዕሽነትን ድንቁርናን ክጥምት ምልስ
በልኩ። [13] ሽዑ ኸምቲ ብርሃን ካብ ጸልማት ዚበልጽ፡ ጥበብ ካብ ድንቁርና ኸም እትበልጽ ርኤኹ። [14]
ጠቢብ ኣብ ርእሱ ኣዒንቲ ኣለዋኦ፡ ዓሻ ግና ኣብ ጸልማት ይመላለስ። [15] ኣነውን፡ ከምቲ ንዓሻ ዚበጽሖ
ንኣይ ከኣ ኪበጽሐኒ እዩ፡ ኢለ ብልበይ በልኩ። ንምንታይ ደኣ ኣዝየ ጥበበኛ ዘይኮንኩ፡ ብልበይ ድማ፡
እዚውን ከንቱነት እዩ፡ በልኩ። [16] በተን ዚመጻ መዓልትታት ኩሉ ይርሳዕ ስለ ዝኾነ፡ መዘከርታ እቲ
ጠበብኛ ከምቲ ናይቲ ዓሻ ንሓዋሩ ኣይነበርን እየ እሞ፡ ኣየ፡ እቲ ጥበበኛስ ከምቲ ዓሻ ይመውት። [17]
ኩሉ ኸንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይን ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ዘበለ ተግባር ከፉኡኒ
እዩ እሞ፡ ህይወት ጸላእኩ። [18] ነቲ ብድሕረይ ዚመጽእ ሰብ ክሐድገሉ እየ እሞ፡ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ
ዝዐየኽዎ ኹሉ ዕዮይ ጸላእክዎ። [19] ንሱኸ ጠቢብ ኪኸውን ወይስ ዓሻ መን ይፈልጦ፡ ምስናይዚ ግና ነቲ
ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ጥበበኛ ኾይኑ ዝጸዐርኩሉ ዘበለ ጻዕረይ ንሱ እዩ ዚጊይተተሉ፡ እዚውን ከንቱነት እዩ።
[20] ስለዚ ምልስ ኢለ ብዛዕባ እቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዝጸዐርኩሉ ዘበለ ጻዕረይ ንልበይ ተስፋ ኣቑረጽክዎ።
[21] እንሆ፡ ንጥበብን ብፍልጠትን ብብልሓትን ዝጸዐረ ሰብ ኣሎ፡ ግናኸ ንዘይደኸመለኡ ሰብ እዩ
ዜውርሶ። እዚውን ከንቱነት ዓብዩ ወጽዓን እዩ። [22] ሰብ በቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዝጸዐረሉን ልቡ
ዝህወኸሉን ኩሉ እንታይ እዩ ረብሓኡ፡ [23] ኩለን መዓልትታቱ ስቓይ እዩ፡ ዕዩኡ ጓሂ እዩ፡ ለይቲ እኳ
ልቡ ኣይዐርፍን፡ እዚውን ከንቱነት እዩ። [24] ንሰብሲ ኻብ ምብላዕን ምስታይን ካብቲ ኺጽዕር ከሎ
ነነፍሱ ባህ ምባልን ዚሐይሽ የብሉን። እዚውን ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ርኤኹ። [25] ካባይ
ኣብሊጸ ዝበልዔን ባህ ዝበሎን መን እዩ፡ [26] ነቲ ባህ ዜብሎ ሰብሲ ጥበብን ፍልጠትን ሓጎስን ይህቦ እዩ
እሞ፡ ንሓጢኣተኛ ግና፡ ነቲ ንኣምላኽ ባህ ዜብሎ ኺሐድገሉስ፡ ኪእክብን ኪድልብን የመዝዞ። እዚውን
ከንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይን እዩ።

## ምዕራፍ 3

[1] ንኹሉ ዘዘመኑ ኣለዎ፡ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ኹሉ ነገር ከኣ ገጊዚኡ ኣለዎ። [2] ንምውላድ ጊዜ ኣለዎ፡
ንሙማት ከኣ ጊዜ ኣለዎ። ንምትካል ጊዜ ኣለዎ። [3] ንምቕታል ጊዜ ኣለዎ፡ ንምሕዋይ ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንምፍራስ ጊዜ ኣለዎ፡ ንምህናጽ ድማ ጊዜ ኣለዎ። [4] ንብኽያት ጊዜ ኣለዎ፡ ንሰሓቕ ከኣ ጊዜ ኣለዎ። ንሓዘን
ጊዜ ኣለዎ፡ ንጓይላ ድማ ጊዜ ኣለዎ። [5] ንምድርባይ ኣእማን ጊዜ ኣለዎ፡ ንምእካብ ኣእማን ከኣ ጊዜ ኣለዎ።
ንምሕቋፍ ጊዜ ኣለዎ፡ ካብ ምሕቋፍ ምፍልላይ ድማ ጊዜ ኣለዎ። [6] ንምድላይ ጊዜ ኣለዎ፡ ንምጥፋእ ከኣ
ጊዜ ኣለዎ። ንምእርናብ ጊዜ ኣለዎ። ንምድርባይ ድማ ጊዜ ኣለዎ። [7] ንምቕዳድ ጊዜ ኣለዎ፡ ንምስፋይ ከኣ
ጊዜ ኣለዎ። ስቕ ምባል ጊዜ ኣለዎ፡ ንምዝራብ ድማ ጊዜ ኣለዎ። [8] ንምፍቃር ጊዜ ኣለዎ፡ ንምጽላእ ከኣ
ጊዜ ኣለዎ። ንውግእ ጊዜ ኣለዎ፡ ንሰላም ድማ ጊዜ ኣለዎ። [9] እቲ ዓያዩ ሰብሲ ረብሓ ጻዕሩ እንታይ እዩ፡
[10] ኣምላኽ ንደቂ ሰብ ምእንቲ ኺጽዕሩ ዝሀቦም ዕዮ ርኤኹ። [11] ንኹሉ በቢጊዜኡ ጽቡቕ ገበሮ። ሰብ ነቲ
ኣምላኽ ካብ መጀመርታ ኽሳዕ መወዳእታ ዝገበሮ ግብሪ ምስትውዓሉ እኳ ስኢኑ ኽነሱስ፡ ኣምላኽ

ንዘለኣለምነት ኣብ ልቢ ሰብ ኣንበሮ። [12] ንኣታቶምሲ ኻብ ባህ ምባልን ካብ ብህይወቶም ከለው ሰናይ
ምግባርን ዜሕሾም ከም ዜብሎም ፈለጥኩ። [13] እምበኣርሲ ሰብ እንተ በልዔን እንተ ሰተየን፡ ብኹሉ
ጻዕሩ ጽቡቕ እንተ ረአየን፡ እዚውን ውህበት ኣምላኽ እዩ። [14] ኣምላኽ ዝገበሮ ኹሉ ንሓዋሩ ኽም ዚነብር
እፈልጥ አሎኹ። ኪውሰኾ ኣይከአልን፡ ኪንከዮ ኣይከአልን፡ ኣምላክ ከአ፡ ሰብ ምእንቲ ኺፈርህዎ፡
ከምዚ ገበሮ። [15] እቲ ዘሎ ድሮ ዝነበረ እዩ፡ እቲ ዚኸውን ዘለዎ ኸአ ድሮ ዝነበረ እዩ፡ ኣምላኽሲ ነቲ
ዝሓለፈ መሊሱ ይደልዮ። [16] ኣነውን ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ኣብ ቦታ ፍርድስ ረሲእነት ከም ዘሎ፡ ኣብ ቦታ
ጽድቂውን ረሲእነት ከም ዘሎ ርኤኹ። [17] ኣነ ብልበይ ንኹሉ ነገርን ንኹሉ ተግባርን ኣብኡ ጊዜ
ተመዲብዎ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ ነቲ ጻድቕን ነቲ ረሲእንሲ ኪፈርዶም እዩ፡ በልኩ። [18] ኣነውን ብልበይ፡
ኣምላኽ ምእንቲ ኺዕዘቦም፡ እንስሳ ምዃኖም ከአ ባዕላቶም ኪርእዩስ፡ ብዛዕባ ደቂ ሰብ እዚ ኾነ፡
በልኩ። [19] ብጽሒት ደቂ ሰብሲ ኽምቲ ናይ እንስሳ እዩ እሞ፡ ሓደ እዩ ብጽሒቶም ከምቲ እዚኣቶም
ዚሞቱ እቲኣቶም ከአ ይሞቱ፡ ንኹሎም ሓንቲ እስትንፋስ ኣላቶም። ኩሉ ኸንቱነት እዩ እሞ፡ ሰብሲ
ኻብ እንስሳ ብልጫ የብሉን። [20] ኹሎም ናብ ሓንቲ ቦታ ይኸዱ፡ ኪሎም ካብ መሬት ኮኑ፡ ኩሎምውን
ናብ መሬት ይምለሱ። [21] እስትንፋስ ደቂ ሰብ ንላዕሊ ኽም እትድይብ፡ እስትንፋስ እንስሳ ኸአ ናብ
ትሕቲ ምድሪ ኽም እትወርድከ መን ይፈልጥ፡ [22] ነቲ ብድሕሪኡ ዚኸውን ኪርእስ መን ይመልሶ፡ ንሰብ
ብዕዮኡ ባህ ምባል እንተ ዘይኮይንይስ፡ ካልእ ዚሔሾ ኽም ዜብሉ ርእየ እየ እሞ፡ ጊዴኡ እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 4

[1] ኣነ ኸአ ተመሊሰ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ዘብለ ግፍዒ ተመልከትኩ፡ እንሆ ኸአ፡ ንብዓት እቶም
ግፉዓት ርኤኹ፡ ኣጆኹም፡ ዚብሎምውን ኣይነበሮምን፡ ካብ ኢድ እቶም ገፋዕቶም ዓመጻ ወጸ፡
ኣጆኹም፡ ዚብሎም ከአ ኣይነበሮምን። [2] ስለዚ ኻብዞም ገና ብህይወት ዘለው ህያዋን ነቶም ድሮ ዝሞቱ
ምውታት ኣመስገንኩ። [3] ካብ ክልቲኦም ግና እቲ ዘይነበረ፡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር እኩይ ግብሪ
ዘይረአየ ኣዝዩ ይሓይሽ። [4] ኩሉ ጻዕርን ኩሉ ምስላጥ ዕዮን ከአ ንሰብ ኣብ ብጻዩ ቕንኢ ኽም ዜተንስእ
ርኤኹ። እዚውን ከንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይን እዩ። [5] ዓሻ ኣእዳው የመሳቕል እሞ፡ ገዛእ ስጋኡ
ይበልዕ። [6] ካብ ምሉእ ሕፍኒ ምስ ጻዕርን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይንሲ ሓንቲ ዕሙኹቲ ምስ ዕረፍቲ
ይሓይሽ። [7] ተመሊሰ ድማ ከንቱነት ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ርኤኹ፡ [8] በይኑ ዚነብር፡ ካልኣይ ዜብሉ፡ ውሉድ
ወይስ ሓው ዜብሉ ሰብ አሎ። ምስናይዚ ንጻዕሩ ወሰን የብሉን፡ ኣዒንቱ ከኣ ሃብቲ ኣይጸግባን፡ ነፍሰይ
ጽቡቕ እናኸላእኩ ዝደኽሞኽ ንመን እዩ፡ እዚውን ከንቱነትን ሕማቕ ጻዕርን እዩ። [9-10] ብጻዕሮም ጽቡቕ
ጻማ ስለ ዘለዎም፡ እንተ ወደቑ፡ እቲ ሓደ ንብጻዩ የተንስኦ እዩ እሞ፡ ካብ ሓደስ ክልተ ምኻን ይሃይሽ።
እቲ በይኑ ዘሎ ግና እንተ ወደቐ፡ ዜተንስኦ የብሉን እዩ እሞ፡ ወይለኡ። [11] ከምኡ ኸአ ክልተ ብሓደ እንተ
ደቀሱ፡ ይግሙቑ፡ ሓደ በይኑ ግና ከመይ ኢሉ ይመውቕ፡ [12] ገለ ነቲ በይኑ ዘሎ ሓደጋ እንተ ወደቖ፡
ክልተ እዮም ዚቃወምዎ፡ ብሰለስተ ዝኽረረ ገመድ ቀልጢፉ ኣይብተኽን። [13] ካብ ምኽሪ ምቕባል
ዘይፈልጥ ኣረጊትን ዓሻን ንጉስሲ ድኻን ጥበበኛን መንእሰይ ይሓይሽ። [14] ብመንግስቱ ድኻ ኾይኑ እኳ
ተወሊዱ ኸነሱ፡ ንጉስ ኪኸውን ካብ ቤት ማእሰርቲ ወጸ። [15] ኣነ ነቶም ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚመላለሱ
ኹሎም ህያዋን ምስቲ ኣብ ክንዳኡ ኪቐውም እተመደበ ኻልኣይ ጎበዝ ርኤኽዎም። [16] እቲ ንሱ ዚመርሖ
ዝነበረ ህዝቢ መወዳእታ ኣይነበሮን፡ ግናኸ እቶም ብድሕሪኡ ዚመጹ ብእኡ ኣይኪሕጎሱን እዮም።
እዚውን ከንቱነትን ደድሕሪ ንፋስ ምጉያይን እዩ።

# ምዕራፍ 5

1 ናብ ቤት ኣምላኽ ክትከይድ ከሎኻ እግርኻ ሐሉ። እከይ ከም ዝገበሩ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡ ካብ
ናይ ዓያሱ መስዋእቲ ሕሩድሲ ኽትሰምዕ ምቕራብ ደአ ይሐይሽ። 2-3 ሕልሚ ብምዛሕ ጉዳይ እዩ
ዝመጽእ፡ ድምጺ ዓሻ ኸአ ብምብዛሕ ቃላት እዩ ዚስማዕ እሞ፡ ብኣፍካ ኣይትተሃወኽ፡ ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽ ንምዝራብ ልብኻ ኣይቕልጥፍ። ኣምላኽ ኣብ ሰማይ እዩ፡ ንስኻ ኣብ ምድሪ ኢኻ እሞ፡ ስለዚ
ቓላትካ ሒደት ይኹን። 4 ንኣምላኽ እንተ ተመባጺዕካሉ፡ ንምፍጻሙ ኣይትደንጉ። ብዓያሱ ባህ ኣይብልን
እዩ እሞ፡ ነቲ እተመባጸዕካዮ ፈጽሞ። 5 ተመባጺዕካ ኻብ ዘይትፍጽሞስ፡ ዘይምምባጻዕ ይሓይሽ። 6-7
ብዙሕ ሕልሚ ኣብ ዘለዎ፡ ኣብኡ ድማ ብዙሕ ከንቱነትን ብዙሕ ቃላትን ኣሎ እሞ፡ ስጋኻ ሓጢኣት
ከየገብርስ፡ ንኣፍካ ፍቓድ ኣይትሃቦ፡ ኣብ ቅድሚ ልኡኽውን፡ ጌጋ እዩ፡ ኣይትበል። ስለምንታይከ
ኣምላኽ ብደሃይካ ዚኹርን ንግብሪ ኣእዳውካ ኸአ ዜጥፍእን፡ ንስኻስ ንኣምላኽ ፍርሃዮ ደአ። 8 ካብቲ
ብልዕሲ ልዕል ዝበለ ዝጥምት ኣሎ፡ ካብቶም ልዕል ዝበሉ ኸአ ኣለው እሞ፡ ድኻ ኺጥቃዕ ኣብ ሀገር ከአ
ፍርድን ጽድቅን ኪዕመጽ እንተ ርኤኻ፡ ኣይትገረም። 9 ግናኸ ጥቕሚ መሬት ንኹሉ እዩ፡ ንጉስ እኳ
ብሕርሻ ይጥቀም። 10 ብሩር ዚፈቱ ብብሩር ኣይጸግብን። ሃብቲ ዚፈቱ ኸአ ኣይረብሕን፡ እዚውን
ከንቱነት እዩ። 11 ጥሪት እንተ በዝሔ፡ በላዕቱ ይበዝሑ፡ ንመጥረይኡ ደአ፡ በዒንቱ ምርኣይ እንተ
ዘይኮነስ፡ እንታይ ይጠቕሞ፡ 12 እቲ ዓያዩ ብዙሕ ወይኒ ሒደት እንተ በልዔ፡ ጥዑም ድቃስ ይድቅስ፡
ንሃብታም ግና ጽጋቡ ኣየደቅሶን። 13 ዜሕዝን መግደራ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዝርኤኽዎስ፡ እቲ ንጉድኣት
መጥረይኡ እተደለበ ሃብቲ እዩ። 14 እዚ ሃብቲ እዚ ብድንገት ይጠፍእ፡ ወዲ እንተ ወለደ ኸአ፡ እቲ ወዱ
ጥራይ ኢዱ የተርፍ። 15 ከምቲ ኻብ ማሕጸን ወላዲቱ ዝወጸ፡ ጥራዩ ኽም ዚመጽእ፡ ከምኡ መሊሱ
ይኸይድ፡ ካብቲ ዝጻዕረሉ ኸአ ኣብ ኢዱ ሓንቲ እኳ ኣይማላእን። 16 ከምቲ ዝመጸ እዩ ዚኸይድ እሞ፡
እዚውን ዜሕዝን መግደራ እዩ፡ ንንፋስ ዝጸዐሮ ደአ እንታይ ኪረብሖ እዩ፡ 17 ኩለን መዓልትታቱ ኣብ
ጸልማት ይበልዕ፡ ብዙሕ መከራን ሕማምን ኩራን ከአ ኣለዎ። 18 እንሆ፡ ንሰብሲ እዚ ግዲኡ እዩ እሞ፡
በቲ ኣምላኽ ዝሀቦ ቑጽሪ መዕልትታት ህይወቱ ኺበልዕን ኪሰትን፡ በቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚጽዕረሉ
ዘበለ ጻዕሪ ጽቡቕ ክርእን እዩ፡ እዚ ኸአ ሰናይን ጽቡቕን ኾይኑ ርኤኽዎ። 19-20 ኣምላኽ ነቲ ሃብትን
ጥሪትን ዝሀቦ ሰብ ካብኡ ኺበልዕን ግዲኡ ኺወስድን ብጻዕሩ ኺሕጎስን እንተ ኣሰልጠኖ፡ ኣምላኽ ናይ
ልቡ ሓጎስ ስለ ዝሀቦ፡ ነተን መዓልትታት ህይወቱ ኣዝዩ ኣይኪዝክረንን እዩ እሞ፡ እዚውን ውህበት
ኣምላኽ እዩ።

# ምዕራፍ 6

1 ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዝርኤኽዎ፡ ንሰብ ኣዝዩ ዚኸብዶ መግደራ ኣሎ፡ 2 ኣምላኽሲ ሃብትን መዝገብን
ክብርን ንሰብ ሀቦ፡ ካብቲ ዝድለዮ ዘበለ ኸአ ነፍሱ ሓደ እኳ ኣይሰኣነትን፡ ግናኸ ካልእ ሰብ ይበልዖ
እምበር፡ ካብኡ ኺበልዕ ኣምላኽ ኣየሰልጠኖን። እዚ ኸንቱነትን ዝኸፍኤ መግደራን እዩ። 3 ሰብ ሚእትን
ቈልዓ እንተ ዚወልድ፡ ብዙሕ ዓመታት ብህይወት እንተ ዚነብር፡ መዓልትታት ዕድሚኡውን እንተ
ዚበዝሕ፡ ነፍሱ ግና ብሰናይ እንተ ዘይጸገበት፡ መቓብርውን እንተ ዘይረኸበ፡ ካብኡስ ቁላዕ ይሐይሽ፡
እብል ኣሎኹ። 4 ብኸንቱነት ይመጽእ፡ ብጸልማትውን ይኸይድ እዩ እሞ፡ ስሙ ብጸልማት ይኸወል። 5
ንጸሓይ ኣይርእያን፡ ኣይፈልጣን፡ ካብትስ እዚ ዝበለጸ ዕረፍቲ ኣለዎ። 6 ክልተ ሽሕ ዓመት እኳ ብህይወት
እንተ ዚነብር፡ ብገለ ሰናይ ባህ ካብ ዜብል፡ ኩሎምሲ ናብ ሓንቲ ቦታዶ ኣይኮኑን ዚኸዱ። 7 ሰብ ጻዕሩ

ዘበለ ንኣፉ እዩ፡ ምስናይዚ ግና ዊንታኡ ኣይጸግብን። 8 ጥበበኛ ሓለፋ ዓሻ እንታይ ይጠቅም፡ ኣብ ቅድሚ
ህያው ምኻድ ዚፈልጥ ድኻኸ እንታይ ይጠቅም፡ 9 ካብ ብትምኒት ምቕብዝባዝሲ ደድሕሪ ንፋስ
ምጉያይን እዩ። 10-12 ንኸንቱነት ዜብዝሖ ብዙሕ ቃላት እዩ፡ ንሰብ ደአ እንታይ ይጠቕሞ፡ ብህይወቱ
ኸሎ፡ በቲ ኸም ጽላሎት ዜሕልፎ ቑጽሪ መዓልትታት ከንቱ ህይወቱ፡ ንሰብ ሰናይ ዚኾኖ ዚፈልጥ መን
እዩ፡ ንሰብከ ብድሕሪኡ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚኸውን መን ይነግሮ፡ እምበኣርሲ እቲ ዘሎ ቐደም ብስሙ
ተሰምየ፡ ሰብውን እቲ ዝኾኖ ፍሉጥ እዩ፡ ምስቲ ኻብኡ ዚብርትዕ ኪከራኸር ከአ ኣይክእልን።

# ምዕራፍ 7

1 ካብ ጽቡቕ ሽታ ጽቡቕ ስም ይሓይሽ፡ ካብ መዓልቲ ምላድ መዓልቲ ሞት ይበልጽ። 2 ናብ ቤት መስተ
ኻብ ምኻድ ናብ ቤት ሓዘን ምኻድ ይሐይሽ፡ እዚ መወዳእታ ኹሉ ሰብ እዩ እሞ፡ እቲ ብህይወቱ ዘሎ
ኣብ ልቡ የንብሮ። 3 ገጽ እንተ ሐዘነ፡ ልቢ ይበርህ እዩ እሞ፡ ካብ ሰሓቕስ ሓዘን ይሐይሽ። 4 ልቢ
ጠበብኛታት ኣብ ቤት ሐዘን፡ ልቢ ዓያሱ ግና ኣብ ቤት ሓጎስ እዩ። 5 ካብ ደርፊ ዓያሱ ምስማዕስ
መግናሕቲ ጥበበኛታት ምስማዕ ይሓይሽ። 6 ሰሓቕ ዓሻስ ከምቲ ኣብ ትሕቲ ቑራዕ ጣዕጣዕ ዚብል እሾኽ
እዩ እሞ፡ እዚውን ከንቱነት እዩ። 7 ግፍዒ ንጥበበኛ የዐሽዎ፡ መማለጃ ኸአ ንልቢ የጥፍኦ። 8 ካብ
መጀመርታ ነገር መወዳእትኡ ይሐይሽ፡ ካብ ዕቡይ መንፈስ ዓቃል መንፈስ ይሐይሽ። 9 ኲራ ኣብ ውሽጢ
ዓያሱ እዩ መሕደሪኡ እሞ፡ ብመንፈስካ ንኹራ ኣይትተሀወኽ። 10 ካብ እዚኣተንሲ እተን ናይ ቀደም
መዓልትታት ዚሔሸ ስለምንታይ እዩ፡ ኣይትበል፡ እዝስ ብጥበብ ኣይኮንካን እትሐቶ ዘሎኻ። 11-12 ጽላል
ጥበብ ከም ጽላል ገንዘብ እዩ፡ ግናኸ ምብላጽ ፍልጠትሲ እታ ጥበብ ንመጥረዩኣ ብህየት ምንባር እዩ
እሞ፡ ጥበብ ከም ርስቲ ጽብቕቲ እያ፡ ኤረ ነቶም ጸሓይ ዚርእዩስ ኣዝያ ትጠቕሞም እያ። 13 ንግብሪ
ኣምላኽ ጠምቶ፡ ነቲ ንሱ ዝጎበጦ መንከ የቕንዖ፡ 14 ብመዓልቲ ጣዕሚ ባህ ይበልካ፡ ብመዓልቲ መከራ
ድማ ሕሰብ፡ ሰብ ነቲ ድሕሪኡ ዚኸውን ምእንቲ ኸይፈልጥ፡ ኣምላኽ ነዝን ነተን ገበሮ። 15 ጻድቕ
ብጽድቁ ዚጠፍእ አሎ፡ ረሲእ ድማ ብግብሪ እከዩ መዕልትታቱ ዜንውሕ አሎ። ነዚ ኹሉ ብመዓልትታት
ከንቱነተይ ርኤኽዎ። 16 እምብዛ ጻድቕ ኣይትኹን፡ ንርእስኻውን እምብዛ ጥበበኛ ኣይትግበር፡
ስለምንታይ ንርእስኻ እተጥፍእ 17 እምብዛ ረሲእ ኣይትኹን፡ ዓሻውን ኣይትኹን፡ ስለምንታይ ቅድሚ
ጊዜኻ እትመውት 18 ንኣምላኽ ዚፈርህሲ ኻብዚ ኹሉ የምልጥ እዩ እሞ፡ ነዚ እንተ ሐዝካ ካብዚውን
ኢድካ እንተ ዘየርሓቕካ ሰናይ እዩ። 19 ካብ ኣብ ከተማ ዘለው ዓሰርተ ስልጡናትሲ ጥበብ ንጥበበኛ
ተበርትዖ። 20 ብርግጽ ሰናይ ዚገብር እሞ ዘይሐጥእ ጻድቕ ኣብ ምድሪ የልቦን። 21-22 ንስኻውን ብዙሕ
ጊዜ ንኻልኦት ከም ዝረገምካ፡ ልብኻ ይፈልጥ እዩ እሞ፡ ባርያኻ ኺረግመካ ኸሎ ኸይትሰምዕሲ፡
ንዚዛረብ ዘበለ ኹሉ ቓላት ኣይተቕልበሉ። 23 ነዚ ኹሉ ጥበብ ተዓዘብክዎ፡ ኣነ ጥበበኛ ክኸውን እየ፡
በልኩ፡ ንሳ ግና ካባይ ረሐቐት። 24 እታ ርሕቕትን ኣዝያ ዓማቚንከ መን ኪበጽሓ ይኽእል 25 ኣነ ጥበብን
ምኽንያት ነገርን ክፈልጥ፡ ክምርምር ክደሊውን፡ ረሲእነትሲ ዕሽነት፡ ዕብዳን ከኣ ጽላለ ምዃኑ ምእንቲ
ኺፈልጥ፡ ምልስ ኢለ ብልበይ ኣድሀብኩ። 26 ካብ ሞት ዚመርርውን ረኸብኩ፡ እዚኣ መርበብ
እትመስል፡ ልባ ኸአ መፈንጠራ፡ ኣእዳዋ ድማ መቑሕ ዝኾነት ሰበይቲ እያ። ንኣምላኽ ባህ ዜብሉ ኻብኣ
ይመሉቑ፡ ሓጥእ ግና ብእኣ ይተሐዝ። 27 እቲ ሰባኺ ድማ፡ ናብ ምስትውዓል ክበጽሕስ በብሓደ
እናሐዝኩ፡ እንሆ እዚ ረኸብኩ፡ ይብል። 28 ነፍሰይ ግና እትደልዮ እሞ ዘይረኸበቶ አሎ፡ ካብ ሽሕሲ ሐደ
ሰባኣይ ረኺበ፡ ኣብ ማእከል ኩላቶም ግና ሓንቲ ሰበይቲ ኣይረኸብኩን። 29 እንሆ፡ ኣምላኽ ንሰብ ቅኑዕ

ገይሩ ኸም ዝፈጠሮ ግዳ ረኺብኩ፡ ንሳቶም ግና ብዙሕ ብልሓት ደለዩ።

## ምዕራፍ 8

1 ከም ጥበበኛ መን ኢዩ ምትርጓም ነገር ዚፈልጥከ መን ኢዩ ጥበብ ሰብ ንገጹ ተብርሆ ድርቕና ገጹ ኸአ
ትልውጦ። 2 ኣነ፡ ስለ ማሕላ ኣምላኽ ኢልካ ንትእዛዝ ንጉስ ሐልዎ፡ እብለካ ኣሎኹ። 3-4 ቃል ንጉስ
ስልጡን እዩ እሞ፡ ንምንታይ እዚ ገበርካ፡ ዚብሎ መን እዩ እምበኣርሲ ዝደለዮ ዘበለ ይገብር እዩ እሞ፡
ካብ ገጹ ንምርሓቕ ኣይትተሃወኽ፡ ኣብ እኩብ ነገር ኣይትጽናዕ። 5-6 እቲ ትእዛዝ ዝሕሉስ ክፉእ
ኣይፈልጥን እዩ። ንኹሉ ነገር ገጊዚኡን ፈፍርዱን ኣለዎ እሞ፡ ልቢ ጥበበኛ ኸአ ንጊዜን ንፍርድን
ይፈልጦ እዩ። ንሰብሲ መከራኡ ኸቢድዎ እዩ እሞ፡ 7 ነቲ ዚኸውን ኣይፈልጦን እዩ፡ ከመይ ከም
ዚኸውን ዚነግሮ ደአ መን እዩ 8 ሰብ ንንፋስ ኪኽልክሎ ስልጣን የብሉን፡ ኣብ ልዕሊ መዓልቲ ሞት
ዚስልጥንውን የልቦን፡ ኣብ ውግእ ከም ምስንባት የልቦን፡ ረሲእነት ነቲ ገባሪኡ ኣየድሕኖን። 9 እዚ ኹሉ
ርኤኹ፡ ናብቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ዘበለ ግብሪ ኣቢለ ኸአ ልበይ ኣቕናዕኩ፡ ሰብ ኣብ ልዕሊ ሰብ
ንጉድኣት ዚስልጥንሉ ጊዜ ኣሎ። 10 ከምኡ ኸአ ረሲኣን ከም እተቐብሩን ናብ ዕረፍቲ ኸም ዝአተውን
ርኤኹ። እቶም ገበርቲ ሰናይ ግና ካብታ ቅድስቲ ስፍራ ረሐቑ፡ ኣብታ ኸተማ ኸአ ተረስዑ። እዚውን
ከንቱነት እዩ። 11 እኩይ ግብሪ ብቕልጡፍ ኣይፈርድን እዩ እሞ፡ ስለዚ ልቢ ደቂ ሰብ እኩይ ንምግባር
ብሃቐና መልኤ። 12 ሓጥእ ሚእቲ ሳዕ እኳ እኩይ እንተ ገበረ፡ መዓልትታትውን እንተ ኣንውሔ፡ ኣነስ
ነቶም ኣብ ቅድሚኡ ዚፈርሁ ፈራህቲ ኣምላኽ ሰናይ ከም ዚኾነሎም፡ ብርግጽ እፈልጥ ኣሎኹ። 13
ረሲእ ግና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣይፈርህን እዩ እሞ፡ ሰናይ ኣይኮነሉን፡ ንመዓልትታቱውን ከም ጽላሎት
ገይሩ ኣየንውሕን። 14 ኣብ ምድሪ ዚግበር ከንቱነይ ኣሎ፡ ከም ግብሪ ረሲኣን ዚበጽሖም ጻድቃን ኣለው፡
ከም ግብሪ ጻድቃን ዚበጽሖም ረሲኣን ድማ ኣለው። እዚውን ከንቱነት እዩ፡ በልኩ። 15 ንሰብሲ ኻብ
ምብላዕን ምስታይን ምሕጓስን ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚሐይሽ የብሉን እሞ፡ ንታሕጓስ አመስገንኩ፡ እዚውን
ኣብ ጻዕሩ በተን ኣምላኽ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚህቦ መዓልትታት ህይወቱ ትርፉ እዩ። 16 ሰብሲ ለይትን
መዓልትን አዒንቱ ሰለምታ ኣይርእያን እየን እሞ፡ ንጥበብ ክፈልጣ፡ ኣብ ምድሪ ዚኸውን ውራይ ክርኢ
ንልበይ ምስ ኣቕናዕክዎ፡ 17 ሽዑ ብዛዕባ ኹሉ ግብሪ ኣምላኽ፡ ሰብ ኪምርምሮ ኢሉ እንተ ጸዐረ፡
ኣይረኽቦን እዩ እሞ፡ ሰብ ነቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ግብሪ ኺረኽቦ ኸም ዘይክእል፡ ርኤኹ።
ጥበበኛውን ዚፈልጦ እንተ መሰሎ፡ ኪረኽቦስ ኣይክእልን እዩ።

## ምዕራፍ 9

1 ጻድቃንን ጥበበኛታትን ምስናይ ተግባሮም ኣብ ኢድ ኣምላኽ ከም ዝኾኑ፡ ነዚ ኹሉ ምእንቲ ኽዕዘብ፡
ንልበይ ኣቕናዕክዎ። ሰብሲ ፍቕሪ ወይስ ጽልኢ ኣይፈልጥን፡ ኩሉ ኣብ ቅድሚኦም እዩ። 2 ኩሉ ንኹሎም
ማዕረ ማዕረ ይበጽሖም፡ ንጻድቕን ንረሲእን፡ ንሕያዋይን ንንጹህን ንርኹስን፡ ነቲ ዚሰውእን ዘይሰውእን፡
ከምቲ ንሕያዋይ ከምኡ ንሓጥእ፡፡ ከምቲ ንዚምሕል ከምኡውን ማሕላ ንዚፈርህ ሓንቲ ብጽሒት እያ
እትበጽሖም። 3 እዚ በቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ዘበለ ንኹላቶም ሓንቲ ብጽሒት ምብጻሕስ እኩይ
እዩ። እምበአርሲ ልቢ ደቂ ሰብ እኩይ መሊኡ እዩ፡ ብህይወቶም ከለው ድማ፡ ዕብዳን ኣብ ልቦም ኣሎ፡
ድሕርዚውን ናብ ምውታት ይኸዱ። 4 ካብ ምውት ኣንበሳስ ህያው ከልቢ ይሐይሽ እዩ እሞ፡ ነቲ ምስ

ኩሎም ህያዋን እተሐባበረ ተስፋ አለዎ። [5] ህያዋንሲ ኸም ዚሞቱ ይፈልጡ እዮም፡ ምውታት ግና ገለ
እኳ ኣይፈልጡን። መዘከርትኦም ተረሲዑ እዩ እሞ፡ ድሕርዚ ከቶ ረብሓ የብሎምን። [6] ፍቕሮምን
ጽልኦምን ቅንኣቶምን ድሮ ጠፊኡ እዩ፡ ካብቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዚግበር ዘበለ ኹሉ ኸአ ንዘለኣለም ግደ
የብሎምን። [7] ኣምላኽ ንግብርኻ ተቐቢልዎ እዩ እሞ፡ ኪድ እንጌራኻ ባህ ኢሉካ ብላዕ፡ ወይንኻውን
ብሓጎስ ልቢ ስተ። [8] ክዳውንትኻ ኹሉ ጊዜ ይጻዕዱ፡ ንርእስኻ ድማ ዘይቲ ኣይተጕድለሉ። [9] እዚ
ብህይወትን በቲ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ እትጽዕረሉ ጻዕርን ጊዜኻ እዩ እሞ፡ ብኹለን መዓልትታት ከንቱነትካ
በተን ንሱ ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ዝሀበካ ኹለን መዓልትታት ናይ ከንቱ ህይወትካ ምስታ እተፍቅራ ሰበይቲ
ብሓጎስ ንበር። [10] ኣብቲ እትኸዶ ሲኦልሲ ዕዮን ሓሳብን ፍልጠትን ጥበብን የሎብን እዩ እሞ፡ ኢድካ
ኽትገብሮ እተረኽቦ ዘበለ ኹሉ ብሓይልኻ ግበሮ። [11] ኣብ ትሕቲ ጸሓይ ከአ ጕያ ንፈጣናት፡ ውግእ
ንጀጋኑ፡ እንጌራ ንጥበበኛታት፡ ሃብቲ ነእምሮኛታት፡ ሞገስ ንብልሀታት ከም ዘይኮነሎም፡ ተመሊሰ
ርኤኹ። ግናኸ ንኹሎም ጊዜን ኣጋጣምን ይመጾም። [12] ሰብ ከኣ ነታ ጊዜኡ ኣይፈልጣን እዩ እሞ፡
ከምቶም ኣብ ክፉእ መርበብ እተገፉ ዓሳ፡ ከምተን ብመፈንጠራ እተፈንጠራ ኣዕዋፍ፡ ከምኡ ኸአ ደቂ
ሰብ ድንገት ምስ ዚወርዶም፡ ብኽፉእ ጊዜ ይፍንጠሩ። [13] ኣነ ኸአ ዓባይ ኮይና እተራእየትኒ ጥበብ ኣብ
ትሕቲ ጸሓይ ርኤኹ፡ [14] ሒደት ዝህዝባ ንእሽቶ ኸተማ ነበረት፡ ዓብዩ ንጉስ መጺ ኸበባ ድማ፡ ኣብ
ዙርያኣውን ዓበይቲ ግምብታት ሰርሔ፡ [15] ኣብኣ ኸአ ጥበብኛ ዝኾነ ድኻ ሰብኣይ ተረኽበ፡ ንሱውን ነታ
ኸተማ ብጥበቡ ኣድሐና፡ ግናኸ ነዚ ድኻ ሰብኣይ ሐደ ሰብ እኳ ኣይዘከሮን። [16] ሽዑ ኣነ፡ ካብ ሓይልስ
ጥበብ ትሓይሽ ጥበብ ድኻ ግና ንዕቕቲ እያ፡ ቃላቱውን ኣይስማዕን እዩ፡ በልኩ። [17] ካብ ጭድርታ እቲ
ኣብ ማእከል ዓያሱ ዚገዝእስ ብህድኣት ዚስማዕ ቃል ጥበበኛታት ይበልጽ። [18] ካብ መሳርያ ውግእሲ
ጥበብ ትበልጽ፡ ሐደ ሓጢኣተኛ ግና ብዙሕ ሰናይ የጥፍእ።

## ምዕራፍ 10

[1] ምውት ጽንጽያ ነቲ ቕብኢ ናይ ብዓል ቅዱይ ሽቱ የጭንዎን የመሽምሾን፡ ንእሽቶ ዕሽነት ከአ ንጥበበን
ክብርን ተበላሽዎ። [2] ልቢ ጥበበኛ ኣብ የማኑ፡ ልቢ ዓሻ ግና ኣብ ጸጋሙ እዩ። [3] ዓሻ ድማ ብመገዲ እኳ
እንተ ተመላለሰ፡ ኣእምሮስ የብሉን፡ ንኹሉውን ዓሻ ምዃኑ ይነግር። [4] መንፈስ ገዛኢ ኣብ ልዕሌኻ እንተ
ተላዕለ ትዕግስቲ ንዓብዩ ኣበሳ ተህድእ እያ እሞ፡ ስፍራኻ ኣይትሕደግ። [5] ከምቲ ኻብ ገዛኢ ዝወጸ ጌጋ
ኣብ ትሕቲ ዝርኤኽዎ እከይ ኣሎ፡ [6] ዕሽነት ኣብ ልዑል መዓርግ ተቐሚጣ፡ ሃብታማትውን ኣብ እተዋረደ
ስፍራ ኾፍ ኢሎም፡ [7] ባሮት በፍራስ፡ መሳፍንቲ ኸአ ከም ባሮት ምድሪ ምድሪ ኪኸዱ ኸለው ርኤኹ። [8]
ጉድጓድ ዚኹዕት ኣብኣ ይወድቕ፡ መካበብያ ዜፍርስ ተመን ይነኽሶ። [9] ኣእማን ዚፈናቕል ብእኡ ይጕዳእ፡
ዕጨይቲ ዚፍልጽ ከአ፡ ኣብ ድንገት እዩ። [10] ሓጺን እንተ ጎደመ፡ ንብልሑ ኸአ እንተ ዘይሰሓልካዮ፡
ሓይልኻ ብዙሕ ይደክም። ጥበብ ግና ንምስላጥ ይጠቅም። [11] ተመን ከይተዐዘመ ኸሎ እንተ ነኸሰ፡
ዓዛሚ ጥቕሚ የብሉን። [12] ቃላት ኣፍ እቲ ጥበበኛ ሞገስ አለዎ፡ ዓሻ ግና ከናፍሩ ይውሕጦ። [13]
መጀመርታ ቓላት ኣፉ ዕሽነት፡ መወዳእታ ዘረባኡ ድማ ሕሱም ዕብዳን እዩ። [14] ዓሻስ ቃላት የብዝሕ
ሰብ ግና ነቲ ዚኸውን ኣይፈልጦን፡ ነቲ ብድሕሪኡ ዚኸውን ደኣ መን ይነግሮ፡ [15] ዓሻ ናብ ከተማ ምኻድ
ኣይፈልጥን እዩ እሞ፡ ጻዕሩ የድክሞ። [16] ኣቲ ሃገር፡ ንጉስኪ ቘልዓ ዝኾነ፡ መሳፍንትኺ ድማ ኣንጊሆም
ዚበሉ፡ ወይለኺ። [17] ኣቲ ሃገር፡ ንጉስኪ ወዲ ኽቡራት ዝኾነ፡ መሳፍንትኺ ድማ ንምስካር ዘይኮነስ፡
ሓይሊ ኺረኽቡ ብግቡእ ጊዜ ዚበልዑ፡ ብጽእቲ ኢኺ። [18] ብሰሪ ትህኪትሲ ናሕሲ ይንህል፡ ብሰሪ

ህኩያት ኣእዳው ከኣ ቤት ይነጥብ። 19 ድግስ ንሳሕቂ ይሳናዶ፡ ወይኒ ኸኣ ንህይወት የሐጉሳ፡ ኩሉውን
ብቖርሺ እዩ ዚዕደግ። 20 ኣዕዋፍ ሰማይ ንድምጽኻ ይዘርዋኦ፡ ኣኽናፍ ዘለዎ ኸኣ ነቲ ቓል የውርዩ እዩ
እሞ፡ ንንጉስ ብሓሳብ እኳ ኣይትርገሞ፡ ንሃብታምውን ኣብታ እትድቅሰላ ቤት ኣይትርገሞ።

## ምዕራፍ 11

1 ንእንጌራኻ ናብ ልዕሊ ማይ ስደዶ፡ ከምይሲ ድሕሪ ብዙሕ መዓልታት ክትረኽቦ ኢኻ። 2 ከመይ ዝበለ
መከራ ኣብ ምድሪ ኸም ዚመጽእ ኣይትፈልጥን ኢኻ እሞ፡ ኣብ ሾብዓተ፡ ኤረ ኣብ ሾሞንተ ምቐሎ። 3
ደበናስ ሰርቢ እንተ መልአ፡ ናብ ምድሪ የፍስሶ። ኦም ከኣ ናብ ደቡብ ወይስ ናብ ሰሜን ኣቢላ እንተ
ወደቐት፡ እታኦም ኣብቲ ዝወደቐትሉ ቦታ ኣብኡ ትነብር። 4 ንንፋስ ዚምልከት ኣይዘርእን፡ ንደበና
ዚጥምት ድማ ኣይዐጽድን እዩ። 5 ከምቲ ንመገዲ ንፋስ ዘይትፈልጦ፡ ከምቲ ኣዕጽምቲ ኣብ ከርሲ ጥንስቲ
ኸመይ ኢሉ ኸም ዚውጠን ዘይትፈልጦ፡ ከምኡውን ንግብሪ እቲ ኹሉ ዝገበረ ኣምላኽ ኣይትፈልጦን
ኢኻ። 6 ኣየናዩ ኸም ዚበቁል፡ እዚ ወይ እቲ ወይስ ክልቲኦም ሓቢሮም እንተ ጸበቑ፡ ኣይትፈልጥን ኢኻ
እሞ፡ ዘርእኻ ኣንጊህካ ዝራእ፡ ንምሸትውን ኢድካ ኣይተብኩር። 7 ብርሃን ጥዑም እዩ፡ ኣዒንቲ ንጸሓይ
ኪጥምታኦ ኸለዋ ኸኣ ባህ ይብለን። 8 ሰብሲ ብዙሕ ዓመታት ብህይወት እንተ ኣነበረ፡ ብኹላተን
ይተሓጎስ፡ ግናኸ እተን መዓልትታት ጸልማት ከም ዝበዝሓ ይዘክር። እቲ ዚመጽእ ዘበለስ ኩሉ ኸንቱነት
እዩ። 9 ኣታ ወዲ፡ ብንእስነትካ ባህ ይበልካ፡ በዘን መዓልትታት ንእስነትካ ልብኻ የሐጉስካ፡ በመገዲ
ልብኻን ብምጥማት ኣዒንትኻን ተመላለስ። ግናኸ ኣምላኽ ብዛዕባዚ ኹሉ ኣብ ፍርዲ ኸም ዜቕመካ
ፍለጥ። 10 ንእስነትካ ብጽሕነትን ከንቱነትን እዩ እሞ፡ ስለዚ ጓሂ ልብኻ፡ ሕሰም ካብ ስጋኻ ኣርሕቆ።

## ምዕራፍ 12

1 ከፉእ መዓልታት ከይመጸ፡ ባህ ኣይበለንን እትበሉ ዓመታት ከኣ ኸይቀረበ ኸሎ፡ ብመዓልታት
ንእስነትካ ንፈጣሪኻ ዘክሮ። 2 ጸሓይን ብርሃንን ወርሕን ከዋኽብትን ከይጸልመቱ፡ ደበንታት ከኣ ድሕሪ
ዝናም ከይተመልሰ፡ 3 በታ ሓለውቲ ቤት ዜንቀጥቅጡላ፡ ብርቱዓት ሰብኡት ዚጉብጡላ፡ ጠሓንቲ ስለ
ዝወሓዳ ዜብኩረላ፡ ጠማቶውን ኣብ መሳኹቲ ዚጽልምቱላ፡ 4 ኣብ ኣደባባይ ዜእቱ ደጌታት ከኣ ዚዕጸወላ
መዓልቲ፡ ደሃይ መጥሓን ምስ ላሸወ፡ ድምጺ ኣዕዋፍ ሰሚዑ ምስ ዚትንስእ፡ ኩለን ደረፍቲ ኣዋልድ
ድማ ምስ ላሕተታ፡ 5 ሽዑ ንበረኽቲ ይፈርሁ፡ ኣብ መገዲውን ይስምብዱ፡ ለውዚ ትዕምብብ፡ ኣንበጣ
እኳ ይኸብድ፡ ቀመም ከኣ ዊንታ ኣየለዐዕልን፡ ሰብ ናብ ናይ ዘለኣለም ማሕደሩ ይኸይድ እሞ፡
መልቀስቲ ኣብ ኣደባባያት ይዞሩ። 6 ድሪ ብሩር ከየተበትከ፡ ፍዮ ወርቂ ኸይተጨፍለቐ፡ ዕትሮ ኣብ ዓይኒ
ማይ ከይተሰብረ፡ መዘወር ኣብ ዔላ ኸይተጨፍለቐ፡ 7 መሬት ድማ፡ ከምቲ ዝነበሮ፡ ናብ ምድሪ
ኸይተመልሰ፡ መንፈስውን ናብቲ ወሃቢኡ ኣምላኽ ከይተመልሰ፡ ብመዓልታት ንእስነትካ ፈጣሪኻ
ዘክሮ። 8 ናይ ከንቱነታት ከንቱነት፡ ኩሉ ከንቱነት እዩ፡ ይብል እቲ ሰባኺ። 9 ምስናይዚ ግና እቲ ሰባኺ
ጥበበኛ ስለ ዝነበረ፡ ነቲ ህዝቢ ፍልጠት መሃሮ፡ ኣስተንተነ፡ መርመረ፡ ብዙሕ ምስላታት ከኣ ሰርዔ። 10
እቲ ሰባኺ ባህ ዜብል ቃላት ኪረክብ ደለየ፡ እቲ ጽሑፍ ከኣ ቅኑዕን ቃላት ሓቅን እዩ። 11 ቃላት ጠቢባን
ከም ሸኻል እዩ፡ ንሱ ኸኣ ንእኩባት መምህራን ኣጸቢቑ እተሸንከረ ሸንካራት እዩ፡ ብሓደ ጓሳ እተወሀበ
ኸኣ እዩ። 12 ብዝተረፈ፡ ወደየ፡ መጻሕፍቲ ምጽሓፍ መወዳእታ የብሉን፡ ብዙሕ ምምሃር ድማ ንስጋ

የድከሞ እዩ እሞ፡ ተጠንቀቕ። [13] መፈጸምታ ኹሉ እቲ ነገር ንስማዕ፡ እዚ ናይ ሰብ ኩለንትና እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ፍርሃዮ፡ ንትእዛዛቱውን ሐልዎ። [14] ኣምላኽሲ ንኹሉ ግብርን ንሕቡእ ነገር ዘበለን፡ ሰናይ ኮነ ወይስ እኩይ፡ ናብ ፍርዲ ኼምጽኦ እዩ።

# መኃልየ መኃልየ ዘሰሎሞን

## ምዕራፍ 1

1 መሃልየ መሃልይ ናይ ሰሎሞን። 2 ፍቕርኻ ካብ ወይኒ ይጥዕም እዩ እሞ፡ ብምስዓም ኣፉ ይስዐመኒ። 3
ቅብእኻ ምኡዝ ሽቱ ኣለዎ፡ ስምካ ዝፈሰሰ ቕብኢ እዩ፡ ስለዚ ኣዋልድ ይፈትዋኻ። 4 ደድሕሬኻ
ኽንጐይስ፡ ስሐበኒ፡ እቲ ንጉስ ናብ ሕልፍኙ ኣእተወኒ፡ ብኣኻ ኽንሕጐስን ባህ ኪብለናን እዩ፡ ሓለፋ
ወይኒ ንፍቕርኻ ኽንንእድ ኢና፡ ብቕንዕና እየን ዚፈትዋኻ። 5 ኣትን ኣዋልድ የሩሳሌም፡ ኣነስ ጸላም እየ፡
ግናኸ ከም ድንኳውንቲ ቄዳር፡ ከም መጋረጃታት ሰሎሞን ጽብቕቲ እየ። 6 ጸሓይ ኣሕሪራትኒ እያ እሞ፡
ጸላም ስለ ዝኾንኩ ኣይትጠምታኒ። ደቂ እኖይ ኰረዩለይ፡ ሓላዊት ኣታኽልቲ ወይኒ ገበሩኒ፡ ኣታኽልቲ
ወይንስ ናተይ እኳ ኣይሐሎኹን። 7 ኣታ ነፍሰይ እትፈትወካ፡ ንመጓሴኻ ኣበይ ተውዕለን ቀትርስ ኣበይ
ተዕርፈን ኣሎኻ እስኪ ንገረኒ፡ ስለምንታይከ ኣብ መጓሰ መሓዙትካ ከም ኰብላሊት ዝኸውን 8 ኣቲ ኻብ
ኣንስቲ እትጽብቒ፡ እንተ ዘይፈለጥክስ፡ ኣሰኣሰር መጓሰ ውፈሪ እሞ፡ መሓስእኪ ኣብ ጥቓ ድንኳውንቲ
ጓሶት ኣብልዒ። 9 ኣቲ ፍትውተይ፡ በታ ሰረገላ ፈርኦን እትስሕብ ባዝራ መሰልኩኺ፡ 10 መልክዕ ጉንጭኺ
ብስልማት፡ ክሳድኪ ብድሪ ሉል ጽቡቕ እዩ። 11 ኣድሪ ብሩር ዘለዎ ስልማት ወርቂ ኽንገብረልኪ ኢና። 12
ንጉስ ኣብ መኣዲ ኸሎ፡ ናርዶሰይ መኣዛኡ ሰደደ። 13 ፈታውየይ ኣብ መንጎ ኣጥባተይ ዚዐርፍ፡ ንኣይ
ቍጻር ከርበ እዩ። 14 ፈታውየይ ንኣይሲ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ ዔን  ጌዲ ዚበቝላ ዘለላ ሪሓን እዩ። 15
እኔኹ፡ ኣቲ ፍትውተይ፡ ጽብቕቲ ኢኺ፡ እኔኹ፡ ጽብቕቲ ኢኺ፡ ኣዒንትኺ ርግብታት እየን። 16 እኔኻ፡
ኣታ ፈታውየይ፡ ጽቡቕ ኢኻ፡ ተፈታዊ ድማ ኢኻ፡ ዓራትናውን ልምሉም እዩ። 17 ኣግማል ቤትና ኦም
ሊባኖስ፡ ግድጊዳና ኸኣ ጽሕዲ እዩ።

## ምዕራፍ 2

1 ኣነ ጽጌረዳ ሳሮን፡ ናይ ለሰ ዕምበባ ሹወን እየ። 2 ፈታዊተይሲ ኣብ ማእከል ኣዋልድ ከም ኣብ ማእከል
እሾኹ ዝበቘለት ዕምበባ ሹወን እያ። 3 ፈታውየይ ኣብ ማእከል ኣወዳት ከም ምልዖ ኣብ ማእከል
ኣእዋም ዱር እዩ። ኣብ ጽላሉ ባህ ኢሉኒ ተቐመጥኩ፡ ፍሬኡውን ንትንሓገይ ጥዑም እዩ። 4 ናብ ቤት
ወይኒ ኣእተወኒ፡ ሰንደቕ ዕላማኡ ኣብ ልዕለይ ፍቕሪ እዩ። 5 ብፍቕሪ ሐሚመ እየ እሞ፡ ብጐነ ዘቢብ
ኣጽንዑኒ፡ ብምልዖ ደግፉኒ። 6 ጸጋመይቱ ተተርእሰኒ፡ የማነይቱ ኸኣ ትሐቝፈኒ። 7 ኣትን ኣዋልድ
የሩሳሌም፡ ንፍቕሪ ኽሳዕ እትደሊ፡ ከይተተንስኣኣን ከይተበራብራኣን ኢለ ብሜዳቕን ብእራብ መሮርን
ኤምሕለክን ኣሎኹ። 8 ድምጺ ፈታውየይ፡ እንሆ፡ ኣብ ልዕሊ ኣኽራን እናዘለለ፡ ኣብ ልዕሊ ኹርባታት
እናተናጠረ ይመጽእ ኣሎ። 9 ፈታውየይ ንሜዳቕን ነርሕዶ እራብን ይመስል። እንሆ፡ ኣብ ክንየው
መካበብያና ደው ኢሉ ብመስኰት ይርኢ፡ ብዓይነ ርግቢ ይጥምት ኣሎ። 10 ፍትወይሲ፡ ኣቲ ፍትውተይ፡
ተንሲኢ፡ ጽብቕተየ፡ ንዒ፡ ኢሉ ተዛረበኒ። 11 እንሆ፡ ክረምቲ ሐሊፉ፡ ዝናም ዛርዩ፡ ተወዲኡ። 12
ዕምባባታት ኣብ ምድሪ ተራእየ፡ ጊዜ መዝሙር በጽሔ፡ ድምጺ ባሬቶ ኸኣ ኣብ ምድርና ተሰምዔ። 13
በለስ ፍሬኡ ጐጐበ፡ ተኸሊ ወይኒ ዐምቢቡስ መኣዛኡ የውጽእ ኣሎ። ኣቲ ፍትውተይ፡ ተንስኢ፡
ጽብቕተየ፡ ንዒ። 14 ኣቲ ኣብ ቋቝራ ኸውሒ፡ ኣብ መሕብኢ ጸድፊ ዘሎኺ ርግበይ፡ ድምጽኺ ጥዑም፡

ገጽኺውን ጽቡቕ እዩ እሞ፡ ገጽኪ ኣርእይኒ፡ ድምጽኺ ኣስምዕኒ። 15 ኣታኽልቲ ወይንና ዕምቢቡ እዩ
እሞ፡ ነታኽልቲ ወይኒ ዜበላሽዋ ወኻሩ፡ ነተን ኲራኲር ወኻሩ ኣጻዊድኩም ሐዙልና። 16 ፍትወይ ናተይ
እዩ፡ ኣነውን ናቱ እየ፡ ንሱ ንመጓሴኡ ኣብ ማእከል ዕምባባታት ሹወን የብልዔን። 17 ኣታ ፍትወየ፡
መዓልቲ ኽሳዕ ዚውልውል፡ ጽላሎት ከኣ ክሳዕ ዚህድምሲ፡ ከምተን ኣብ ኣኽራን ቤተር ዘለዋ ሜዳቑ
ወይስ ኣርሕዶ እራብ ኴንካ፡ ተመለስ።

## ምዕራፍ 3

1 ብለይቲ ኣብ ዓራተይ ነቲ ነፍሰይ እትፈትዎ ደሊኽዎ፡ ደሊኽዎ፡ ግናኸ ኣይረኸብክዎን። 2 ክትንስእ እየ
እሞ ኣብ ከተማ፡ ኣብ ዕዳጋን ኣብ ኣደባባይን ክዘውር፡ ነቲ ነፍሰይ እትፈትዎ ኸኣ ክደልዮ እየ።
ደሊኽዎ፡ ግናኸ ኣይረኸብክዎን። 3 ኣብ ከተማ ዚዞሩ ዘብዔኛታት ረኸቡኒ፡ ነቲ ነፍሰይ እትፈትዎዶ
ርኢኹምዎ ኢለ ኸኣ ሐተትክዎም። 4 ቅሩብ ምስ ሐለፍክዎም፡ ነቲ ነፍሰይ እትፈትዎ ረኸብክዎ፡
ሐዝክዎ፡ ናብ ቤት ኣደይን ናብ ሕልፍኚ ወላዲተይን ክሳዕ ዘእትዎ ድማ ኣይሐደግክዎን። 5 ኣትን ኣዋልድ
የሩሳሌም፡ ንፍቕሪ፡ ክሳዕ እትደሊ፡ ከይተየንስኣኣን ከይተበራብራኣን ኢለ ብሜዳቑን ብእራብ መሮርን
ኤምሕለክን ኣሎኹ። 6 እዛ፡ ዓንዲ ትኪ መሲላ፡ ከርበን ዕጣንን ናይ ነጋዶ ዅሉ ዓይነት ቀመማትን
እትጨኑ፡ ካብ በረኻ እትድይብ ዘላ መን እያ 7 እንሆ፡ ዓራት ሰሎሞን፡ ካብ ጀጋኑ እስራኤል ስሳ ጅግና
ኸቢቦምዋ። 8 ኲላቶም ሰይፊ ዚሕዙ፡ ምሁራት ውግእ እዮም። ስለ ፍርሃት ለይቲ ነፍሲ ወከፍ ሰሰይፉ
ዕጡቕ እዩ። 9 ንጉስ ሰሎሞን ካብ ኦም ሊባኖስ ንርእሱ ዓራት መሰከሚ ገበረ። 10 ኣዕኑዱ ብብሩር፡
መጸግዒኡ ብወርቂ፡ መቐመጢኡ ብቐይሕ ሃሪ ገበረ። ውሽጡ ኸኣ ኣዋልድ የሩሳሌም ብፍቕሩ
ዝጠለፋኡ እዩ። 11 ኣትን ኣዋልድ ጽዮን፡ ንንጉስ ሰሎሞን ምስቲ ኣዲኡ ብመዓልቲ መርዓኡን ብመዓልቲ
ሓጐስ ልቡን ዝኸለለቶ ኣኽሊል ክትርእያኦስ ውጻ።

## ምዕራፍ 4

1 እነኺ፡ ኣቲ ፍትውተየ፡ ጽብቕቲ ኢኺ፡ እነኺ፡ ጽብቕቲ ኢኺ። ኣዒንትኺ ኣብ ውሽጢ ጕልባብኪ
ኸም ርግብታት እየን። ጸጕሪ ርእስኺ ኸም ካብ ከረን ጊልዓድ ዚወርዳ መጓሰ ኣጣል እዩ። 2 ኣስናንኪ
ኸም እተቘርጻ፡ ካብ ምሕጻብ ዝወጻ መጓሰ ኣባጊዕ፡ ኲለን መኻን ዜብለን፡ መማንታኤን ድማ ዚወልዳ
እዩ። 3 ከናፍርኪ ኸም ቀይሕ ፍሕሶ ሃሪ እዩ፡ ኣፍኪ ጽቡቕ እዩ፡ መላትሕኪ ኣብ ውሽጢ ጕልባብኪ
ኸም ምቃል ሮማን እዩ። 4 ክሳድኪ ኸም ንመቐመጥ ኣጽዋር እተሰርሔ፡ ሽሕ ዋልታ፡ ኲላተን ዋላቱ
ጀጋኑ፡ ተሰቒልዋ ዘሎ ግምቢ ዳዊት እዩ። 5 ክልቲኤን ኣጥባትኪ ኸም ኣብ ማእከል ዕምባባታት ሹሻን
ዚጓሰያ ማንታ መሓስእ ሜዳቑ እየን። 6 መዓልቲ ኽሳዕ ዚውልውል፡ ጽላሎት ከኣ ክሳዕ ዚህድምሲ፡ ኣነ
ናብ ከረን ከርቤን ናብ ኩርባ ዕጣንን ክኸይድ እየ። 7 ኣቲ ፍትውተየ፡ ጽብቕቲ ኢኺ፡ ሕፍቲ የብልክን። 8
ካብ ሊባኖስ ምሳይ ንዒ፡ ኣቲ መርዓተይ፡ ካብ ሊባኖስ ምሳይ ንዒ፡ ካብ ርእሲ ኣማናን ካብ ርእሲ
ሰኒርን ሄርሞንን፡ ካብ ማሕደር ኣናብስን ካብ ኣኽራን ኣናብርን ጠምቲ። 9 ኣቲ ሓብተይ፡ መርዓተየ፡
ልበይ ዘረፍክኒ፡ ብሓንቲ ቘላሕታኽን ብሓንቲ ድሪ ኽሳድክን ልበይ ዘረፍክኒ። 10 ፍቕርኺ ኽንደይ
ይጽብቕ፡ ኣቲ ሓብተይ፡ መርዓተየ፡ ፍቕርኺ ኻብ ወይኒ፡ መኣዛ ቕብኣትኺውን ካብ ኲሉ ቐመማት
ይሐይሽ። 11 መርዓተየ፡ ካብ ከናፍርኪ መዓር ወለላ የንጠብጥብ፡ መዓርን ጸባን ኣብ ትሕቲ መልሓስኪ

ኣሎ፡ ሽቱ ኽዳውንትኺውን ከም ሽቱ ሊባኖስ እዩ። 12 ኣቲ ሓብተይ፡ መርዓተየ፡ እተሸጐረ ገነት፡ ዕጽዊ
ዔላ፡ ሕቱም ዓይኒ ማይ ኢኺ። 13 ኣባኺ ዝበቘለት ገነት ሮማንን ክቡር ፍሬታትን ዕምባባ ሪሓንን
ናርዶስን፡ 14 ናርዶስ ሳፍራንን፡ ምኡዝ ወምብቆን ቅርፍትን፡ ምስኡውን በብዓይነቱ ኣእዋም ዕጣን፡
ከርበን ዓልወን ኩሉ ብሉጽ ቀመማትን ዘለዎ እያ። 15 ናይ ገነት ዓይኒ ማይ፡ ናይ ማይ ህይወት ዔላ፡ ካብ
ሊባኖስ ዚፈስስ ፈልፋሊት ኢኺ። 16 ንፋስ ሰሜን፡ ተንስእ፡ ንፋስ ደቡብ፡ ንዓ፡ ምኡዝ ጨናታቱ ምእንቲ
ኺፍስስ፡ ኣብ ልዕሊ ገነተይ ንፈሱ። ፍትወይ ናብ ገነት ይምጻእ፡ ክቡር ፍሬታቱ ይብላዕ።

## ምዕራፍ 5

1 ሓብተይ፡ መርዓተየ፡ ናብ ገነተይ መጺኤ፡ ከርበይን ምኡዝ ቀመማተይን ቀንጢበ፡ መዓር ወለላይን
መዓረይን በሊዔ፡ ወይነይን ጸባይን ሰትየ። ኣቱም ኣዕሩኽይ፡ ብልዑ፡ ስተዩ፡ ፍትዋተየ፡ ኣብዚሕኩም
ስተዩ። 2 ኣነ ደቀስኩ፡ ልበይ ግና ነቕሔ፡ ድምጺ ፍትወይ፡ ኣቲ ሓብተይ፡ ፍትውተይ፡ ርእሰይ ህቦ፡
ጐተናይ ከኣ ነጥቢ ለይቲ መሊኡ እዩ እሞ፡ እቲ ርግበይ፡ ፍጽምተይ፡ ክፈትለይ፡ እናበለ፡ ማዕጾ
ኪኹሕኩሕ ሰማዕኩ። 3 ቀሚሸይ ኣውጺኤ እየ፡ ከመይ ኢለ ክኽደኖ ኣእጋረይ ተሐጺበ እየ፡ ከመይ ኢለ
ኽርስሖ 4 ፍትወይ ኢዱ ብነኽል ሰደደ፡ ውሽጠይ ብእኡ ተደፋነቐ። 5 ንፍትወይ ክኸፍተሉ ተንሳእኩ፡
ኣእዳወይ ከርበ፡ ኣጻብዔይ ከኣ ኣብ ልዕሊ መትሓዝ መሃርሃሪ ፈሳሲ ኸርበ ኣንጠብጠበ። 6 ንፍትወይ
ከፈትኩሉ፡ ፍትወይ ግና ከይዱ ረሐቐ፡ ኪዛረብ ከሎ፡ ነፍሰይ ጠለመትኒ፡ ደሌኽዎ ኣይረኸብክዎን ከኣ፡
ጸዋዕክዎ ኣይመለሰለይን ድማ። 7 ሓለውቲ ኣብ ከተማ ኺዞሩ ኸለው ረኸቡኒ፡ ውቕዑኒ፡ ኣቝሰሉኒ፡
ሓለውቲ መካበብያ መጐልበብየይ ገፈፉኒ። 8 ኣትን ኣዋልድ የሩሳሌም፡ ንፍትወይ እንተ ረኸብክናኦ፡
ብፍቕሪ ኽም ዝሐመምኩ ክትነግራኦ ኤምሕለክን ኣሎኹ። 9 ኣቲ ሓለፋ ኹሉን ኣንስቲ እትጽብቚ፡ እዚ
ፈታዊኺ ኻብ ካልእ ፈታዊ ዚበልጽ ከምይ ኢሉ እዩ ከምዚ ጌርኪ እተምሕልናስ፡ እዚ ፈታዊኺ ኻብ
ካልእ ፈታዊዶ ይበልጽ እዩ 10 ፍትወይሲ ኻብ ዓሰርተ ሽሕ እተመርጸ ጻዕዳን ቀይሕን እዩ። 11 ርእሱ ኣዝዩ
ጽሩይ ወርቂ እዩ፡ ጐተናኡ ኹርዳድ፡ ከም ኳኹ ዝምጽላሙ እዩ። 12 ኣዒንቱ ኸም ኣብ ጥቓ ፈልፋሊ
ማይ ዘለዋ ርግብታት፡ ጸባ ተሐጺበን፡ ኣብ ምልኣት ተነቢረን እየን። 13 ጕንጭታቱ ኸም ክፍሊ
ኣታኽልቲ ቐመም፡ ከም ምኡዝ ኣትክልቲ እዩ፡ ከናፍሩ ፈሳሲ ኸርበ ዜንጠብጥባ ዕንባባ ሹወን እየን። 14
ኣእዳው ክሪሶሊት እተሰንቀሮ ቐላብቲ ወርቂ እየን፡ ደረቱ ብሰፊሮስ እተሰለመ፡ ብልሓተኛ ዝገበሮ ስኒ
ሓርማዝ እዩ። 15 ኣእጋሩ ብደገፍ ጽሩይ ወርቂ እተሰረታ ኣዕኑድ እምነ በረድ እየን፡ ትርኢቱ ኸም
ሊባኖስ፡ ከም ኣእዋም ሊባኖስ እተመርጸ እዩ። 16 ኣፉ ኣዝዩ ጥዑም፡ ኩለንትናኡ ፍትዊ እዩ። ኣትን
ኣዋልድ የሩሳሌም፡ ፍትወይ እዚ እዩ፡ ፈታውየይሲ እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 6

1 ኣቲ ሓለፋ ኹሉን ኣንስቲ እትጽብቚ፡ ፈታዊኺ ናበይ ከይዱ እዩ ምሳኺ ኽንደልዮስ፡ ፈታዊኺ ናበይ
ኣቢሉ እዩ ዝኸደ 2 ፍትወይሲ ናብ ገነቱ፡ ኪጓስን ዕምባባታት ሹሻን ኪእክብን፡ ናብ ገነቱ፡ ናብ ክፍሊ
ኣታኽልቲ ቐመም ወሪዱ ኣሎ። 3 ኣነ ናብ ፍትወይ እየ፡ ፍትወይ ከኣ ናተይ እዩ፡ ንሱ ኣብ ማእከል
ዕምባባታት ይጓሲ ኣሎ። 4 ኣቲ ፍትውተየ፡ ከም ቲርጻ ጽብቕቲ ኢኺ፡ ከም የሩሳሌም ባህ እተብሊ፡ ከም
ሰራዊት ምስ ሰንደቕ ዕላማ ተፍርሂ ኢኺ። 5 ኣዒንትኺ ኣፍሪሄናኒ እየን እሞ፡ ንንየው ምለስየን፡ ጸጕሪ

ርእሰኺ ኸም ካብ ከረን ጊልዓድ ዚወርዳ መጓሰ ኣጣል እዩ። [6] ኣስናንኪ ኸም ካብ ምሕጻብ ዝወጻ መጓሰ
ኣባጊዕ፡ ኲለን መኻን ዜብለን፡ መማንታኤን ድማ ዚወልዳ እዩ። [7] መላትሕኪ ኣብ ውሽጢ ጒልባብኪ
ኸም ምቃል ሮማን እዩ። [8] ንግስታት ስሳ፡ ዕቁባት ዜብለን እየን። [9] ግናኸ ርግበይ፡ ፍጽምተይሲ፡ ሓንቲ
እያ፡ ነዲኣ ሓንቲ እያ፡ ንወላዲታ ምርጽቲ እያ፡ ኣዋልድ ርእየን ብጽእቲ በልኣ፡ ንግስታትን ዕቁባትን ድማ
ነኣድኣ። [10] እዛ ኸም ወገግታ እትቕልቀል፡ ከም ወርሒ ጽብቕቲ፡ ከም ጸሓይ ድምቕቲ፡ ከም ሰራዊት ምስ
ሰንደቕ ዕላማ እተፍርህ መን እያ [11] ልምሉም ተኽሊ ለሰ ኽርኢ፡ ተኽሊ ወይኒ እንተ ጠጢዑ፡
ሮማንውን እንተ ዕምቢቡ ኽርኢ፡ ናብ ኣታኽልቲ ኻዕካዕ ወረድኩ። [12] ከይፈለጥኩስ፡ ነፍሰይ ኣብ ሰረገላ
እቲ ኽቡር ህዝበይ ኣቐመጠትኒ።

## ምዕራፍ 7

[1] ተመለሲ፡ ተመለሲ፡ ኣቲ ሱላሚት፡ ክርእየክስ ተመለሲ፡ እስኪ ተመለሲ። ኣብታ ሱላሚትከ እንታይ
ክትርእዩ ኢኹም ንሳዶ ኸም ናይ መሃናይም ደበላ ትስዕስዕ ኣላ እያ [2] ኣቲ ጓል መስፍን ፡ ኣእጋርኪ፡
ጫማ ምስ ገበራ፡ ክንደይ ይጽብቓ፡ ቅርጺ ሕቘኺ ኸም ብኢድ ብልሓተኛ እተሰርሔ ስልማት እዩ። [3]
ሕምብርትኺ እተሓሰ ወይኒ ዘይጐድሎ ኸቢብ ጽዋእ እዩ። ከርስኺ ብዕምባባ እተኸበ ምህርቲ ስርናይ
እዩ። [4] ክልቲኣተን ኣጥባትኪ ኸም ምንታ መሓስእ ሜዳቝ እየን። [5] ክሳድኪ ኸም ግምቢ ስኒ ሓርማዝ
እዩ፡ ኣዕንትኺ ኸምቲ ኣብ ጥቓ ደገ ባት ራቢም ዘሎ ሓጽብታት ሄስቦን እየን። ኣፍንጫኺ ኸምቲ
ንደማስቆ ገጹ ዚርኢ ግምቢ ሊባኖስ እዩ። [6] ርእስኺ ኣብ ልዕሌኺ ኸም ቀርሜሎስ እዩ፡ ጸጒሪ ርእስኺ
ኸም ቀይሕ ሃሪ እዩ፡ ንጉስ ብቝኖኺ ተኣሰረ። [7] ኣቲ ፍቕረይ፡ ክንደይ ጽብቕቲ ኢኺ፡ ኣብ ማእከል
ደስታስ ክንደይ ትፍተዊ። [8] እዚ ቝመትኪ ስየ፡ ኣጥባትኪ ድማ ዘለላ ወይኒ ይመስል። [9] ኣብ ስየ
ኽድይብ፡ ጨናፍራ ኽኣ ክሕዝ እየ፡ በልኩ። ኣጥባትኪ ኸም ዘለላ ወይኒ፡ ጨና እስትንፋስኪ ኸኣ ከም
ትርንጒ ይኹነለይ፡ [10] ኣፍኪ ኸም ናብ ፍትወይ ወሪዱስ፡ ናብተን ዚድቅሳ ኸናፍር ዜንሸትት ጥዑም
ወይኒ ይኹነለይ። [11] ኣነ ናይ ፍትወይ እየ፡ ሃረርታኡ ኸኣ ናባይ እዩ። [12] ኣታ ፍትወየ፡ ናብ መሮር
ንውጻእ፡ ኣብ ዓድታት ንሕደር። [13] ተኽሊ ወይኒ እንተ ጠጢዑ፡ ጐጒማ እንተ ነቒዑ፡ ሮማን እንተ
ዕምቢቡ ኽንርእስ፡ ናብ ኣታኽልቲ ወይኒ ኣንጊህና ንኺድ፡ ኣብኡ ፍቕረይ ክህበካ እየ። [14] ናይ ፍቕሪ
ትርንጒ መኣዛኡ ይህብ። ኣታ ፍትወይ፡ ንኣኻ ኢለ ዝዐቘርክዎ፡ በብዓይነቱ ሓድሽን ብሉይን ክብር ፍረ
ኣብ ደጌታትና ኣሎ።

## ምዕራፍ 8

[1] ኣየ፡ ወላዲተይ ዝጠበኻ ኸም ሓወይ እንተ ትኸውነለይ፡ ኣብ ወጻኢ ምስ ዝረኸበካ፡ ምስዐምኩኻ ነይረ፡
ሓደ እኳ ኣይምነዐቐንን። [2] መሪሐ ናብ ቤት ኣደይ መእቶኹኻ፡ ንስኻ ምመሀርካኒ፡ ኣነውን ካብ
እተቓመመ ወይኒ፡ ካብ ሮማነይ እተጸምቄ መስቴኹኻ። [3] ጸጋመይቱ ተተርእሰኒ፡ የማነይቱ ኸኣ
ትሐቝፈኒ። [4] ኣትን ኣዋልድ የሩሳሌም፡ ንፍቕሪ፡ ክሳዕ እትደሊ፡ ከይተተንስኣኣን ከይተበራብርኣን ኢለ
ኤምሕለክን ኣሎኹ። [5] እዛ፡ ፈታዊኣ ተመርኲሳ፡ ካብ በረኻ እትድይብ ዘላስ መን እያ ኣብ ትሕቲ ኦም
ትርንጒ ኣንቓሕኩኻ፡ ኣብኣ ኣዴኻ ወላዲትካ፡ ኣብኡ ወላዲትካ ወለደትካ። [6] ፍቕሪ ኸም ሞት ሓያል
እያ፡ ቅንኣታ ኸም ሲኦል ብርቱዕ እዩ፡ ረስና ኸም ረስኒ ሓዊ፡ ሃልሃልታ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ ከም

ማሕተማ ኣብ ልብኻ፡ ከም ማሕተማ ኣብ ቅልጽምካ ኣንብረኒ። 7 ንፍቕርስ ብዙሕ ማያት እኳ ኺጥፍኣ
ኣይክእልን፡ ወሓይዝ ከኣ ኣየስጥማን፡ ሰብሲ ምእንቲ ፍቕሪ ኢሉ ዅሉ ጥሪት ቤቱ ዚህብ እንተ ዚህሉ፡
ኣዝዮም ምነዐቕዎ ነይሮም። 8 ጡብ ዘየውጽኤት ንእሽቶ ሓብቲ ኣላትና፡ እትድለየላ መዓልቲ ምስ
በጽሔት፡ ንሓብትና እንታይ ክንገብረላ ኢና 9 ቀጽሪ እንተ ዀነት፡ ኣብ ልዕሊኣ ግምቢ ብሩር ክንሰርሓላ፡
ደገ እንተ ዀነት ኸኣ፡ ብጽሩብ ጽሕዲ ኽንከባ ኢና። 10 ኣነ ቐጽሪ እየ፡ ኣጥባተይ ከኣ ከም ግምብታት
እየን፡ ሽዑ ኣብ ኣዒንቱ ኸም ሰላም ዝረኸበት ኰንኩ። 11 ሰሎሞን ኣብ በዓል  ኣሞን ኣታኽልቲ ወይኒ
ነበሮ። ነዚ ኣታኽልቲ ወይኒ እዚ ኸኣ ንሓለውቲ ኣብ ክንዲ ፍሬኡ ነፍሲ ወከፎም ሽሕ ብሩር ኬምጽኡስ
ሀቦም። 12 እታ ናተይ ዝዀነት ኣታኽልቲ ወይነይ ኣብ ቅድመይ እያ፡ ዎ ሰሎምን፡ ሽሕ ንኣኻ እዩ፡ ፍሬኣ
ንዚሕልው ድማ ክልተ ሚእቲ ይኹን። 13 ኣቲ ኣብ ኣታኽልትታት እትነብሪ፡ እቶም ብጾት ንድምጽኺ
ጽን ይብሉ ኣለው፡ ንኣይ ኰታ ኣስምዕኒ። 14 ኣታ ፍትወየ፡ ቀልጥፍ፡ ኣብ ምኡዝ ኣኽራን ከኣ ከም
ሜዳቝ ወይስ ከም ኣርሕዶ እራብ ኩን።

# ትንቢት ኢሳይያስ

## ምዕራፍ 1

1 ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ብዘመን ኡዝያን ዮታምን ኣሃዝን ህዝቅያስን፡ ነገስታት ይሁዳ፡ ብናይ ይሁዳን
የሩሳሌምን ዝረኣዮ ራእይ። 2 እግዚኣብሄር ይዛረብ ኣሎ እሞ፡ ኣቱም ሰማያት፡ ስምዑ፡ ኣቲ ምድሪ፡ ጽን
በሊ፡ ንውሉድ ኣዕቤኽዎምን ኣልዐልክዎምን፡ ንሳቶም ድማ ካባይ ዐለዉ። 3 ብዕራይ ንዋናኡ፡ ኣድጊ
ድማ ንመብልዕ ማል ጐይታኡ ይፈልጦ፡ እስራኤል ግና ሓንቲ እኳ ኣይፈልጥን፡ ህዝበይውን
ኣየስተውዕልን እዩ። 4 ሓጥእ ዓሌት፡ በደል እተጻዕነ ህዝቢ፡ ዘርኢ ገበርቲ እከይ፡ ጥፉኣት ውሉድ
ወይለኦም። ንእግዚኣብሄር ሓዲጎም፡ ነቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ንዒቖም፡ ንድሕሪት ኣቢሎም ተመልሱ። 5
ምዕላው እናወሰኽኩም ካብ እትኽዱስ፡ ንምንታይ ደኣ እትውቅዑ፡ ኲሉ እቲ ርእሲ ሕሙም፡ ኲሉ እቲ
ልቢ ሕሉል እዩ። 6 ካብ ከብዲ እግሪ ኽሳዕ ርእሲ ገለ ጥዑይ የብሉን። ዘይተጠወቐን ዘይተዘነነን
ብቕብኢ ዘይለስለሰን፡ ኣቝሳልን ስምብራትን ሓድሽ መውቃዕትን ጥራይ እዩ። 7 ሃገርኩም ባዲማ፡
ከተማታትኩም ብሓዊ ነዲደን፡ ንግርሁኹም ጓኖት ኣብ ቅድሜኹም ይውሕጥዎ፡ ጓኖት ከም ዘፍረስዋ
ኸኣ ባደመት። 8 ጓል ጽዮን ድማ ከም ዳስ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ፡ ከም ጎጆ ኣብ ግራት ብርጭቕ፡ ከም
እተኸበት ከተማ ኾይና ተሪፋ ኣላ። 9 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ገለ ሒደት ትርፊ እንተ
ዘይሐድገልናስ፡ ከም ሶዶም ምኾንና፡ ንገሞራ ምመሰልና ኔርና። 10 ኣቱም ሓላቖ ሶዶም፡ ቃል
እግዚኣብሄር ስምዑ፡ ኣታ ህዝቢ ጎሞራ፡ ንሕጊ ኣምላኽና ጽን በሎ። 11 ብዝሒ መስዋእትታትኩም
እንታይ ኢለዮ ይብል እግዚኣብሄር፡ ብዚሐርር መስዋእቲ ደዓውልን ብስብሒ ስቡሓትን ጸጊበ ኣሎኹ፡
ደም ዝራብዓትን ገናሽልን ድቤላታትን ባህ ኣየብለንን እዩ። 12 ኣብ ቅድመይ ክትረኣዩ ምስ እትመጹ፡ መን
ኰታ ኣጸደይ ክትረግጹ ደለየኩም 13 ከንቱ መስዋእቲ ብልዒ ኣይተምጽኡ፡ ዕጣን ንኣይ ፍንፉን እዩ፡
ስርቂ ወርሕን ሰንበትን፡ ኣኼባ ማሕበር፡ ንኣበሳ ምስ ኣኼባ በዓል ኣይዕገሶን እየ። 14 ንስርቂ
ኣዋርሕኩምን በዓላትኩምን ነፍሰይ ትጸልኦ ኣላ፡ ጾር ኰይኑኒ፡ ምስካሙ ስኢነ ኣሎኹ። 15 ኣእዳውኩም
ምስ እትዝርግሑ፡ ኣዒንተይ ካባኻትኩም እኽውለን፡ ምህለላ እኳ እንተ ኣብዛሕኩም፡ ኣይሰምዕን እየ፡
ኣእዳውኩም ደም መሊኤን እየን። 16 ተሐጸቡ፡ ንጽሁ ነቲ እከይ ግብርኹም ካብ ቅድሚ ኣዒንተይ
ኣርሕቕዎ፡ ምግባር እከይ ሕደጉ። 17 ምግባር ሰናይ ተመሃሩ፡ ቅንዕና ድለዩ፡ ንጥቑዕ ርድእዎ፡ ንዘኽታም
ፍትሒ ኣውጽኡሉ፡ ንመበለት ተጣበቑላ። 18 ሸው ምጹ እሞ ንሓድሕድና ንማጐት፡ ይብል እግዚኣብሄር፡
ሓጢኣትኩም ከም ጅኹ እኳ እንተ ቘሔ፡ ከም በረድ ክጽዕዱ ከም ዝዋውዕ እኳ እንተ ቘሔ ከም ጻዕዳ
ጸምሪ ኪኸውን እዩ። 19 ሕራይ እንተ በልኩምን እንተ ተኣዘዝኩምንሲ፡ ጣዕሚ እታ ምድሪ ኽትበልዑ
ኢኹም። 20 ግናኸ እንተ ኣቤኹምን እንተ ዐሎኹምን፡ ኣፍ እግዚኣብሄር ተዛሪባ እያ እሞ፡ ብሰይፊ
ኽትወሐጡ ኢኹም። 21 እታ እምንቲ ኸተማ ኸመይ ኢላ ኣመንዝራ ኾነት። ቅንዕና ዝመልኣ፡ ጽድቂ
ዝሐደራ ነበረት፡ ሕጂ ግና ማሕደር ቀተልቲ ነፍሲ ኾነት። 22 ብሩርኪ ርስሓት ኰይኑ፡ ወይንኺ ማይ
ተዘሊሉ። 23 መሳፍንትኺ ሸፍታታትን ኣዕሩኽ ጐሓሉትን እዮም። ኲሎም ምቕባል ደርሆ ይፈትዉ፡
ደድሕሪ ኻሕሳ ይጎይዩ። ንዘኽታም ፍትሒ ኣየውጽኡሉን፡ ነገር መበለት ከኣ ኣባታቶም ኣይበጽሕን
እዩ። 24 ስለዚ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ እቲ ናይ እስራኤል ስልጡን፡ ከምዚ ይብል፡ ኲራይ ኣብ
ተጻረርተይ ከዝሕል፡ ንጸላእተይ ከኣ ሕነ ኽፈድዮም እየ። 25 ንኢደይ ድማ ኣባኺ ኽመልሳ፡ ንሓርኢ

ሓጺንኪ ኸኣ ኣጸቢቐ ኽጽጺ፡ ንዅሉ ቖርቆሮኺውን ክድርብዮ እየ። [26] ንፈራዶኺ ኸምቶም ቀደም
ዝነበሩ፡ ንመኸርትኺ ድማ ከምቶም ብመጀመርታ ዝነበሩ ኽመልሶም እየ። ደሓር ከተማ ጽድቂ፡
እምንቲ ኸተማ ኽትስመዪ ኢኺ። [27] ጽዮን ብፍርዲ፡ እቶም ምሉሳታ ኸኣ ብጽድቂ ኺድሕኑ እዮም። [28]
ግናኸ ከሓዶን ሓጥኣንን ብሓደ ኺስበሩ፡ ንእግዚኣብሄር ዝሐደጉውን ጥራስ ኪጠፍኡ እዮም። [29] በቲ
ዝፈቶኹምዎ ኣእዋም ክትሐንኩ፡ በቲ ዝመረጽኩምዎ ኣታኽልቲ ኽትሐፍሩ ኢኹም። [30] ቈጽሉ ኸም
ዝጸምለወ ኦምን፡ ማይ ከምዜብሉ ኣታኽልትን ክትኰኑ ኢኹም እሞ፡ [31] እቲ ሓያል ከም እተባዘተ
ቓንጫ ኪኸውን እዩ፡ ክልቲኣቶም ብሓደ ኺነዱ እዮም፡ ዜጥፍእ ከኣ ሓደ እኳ የልቦን።

# ምዕራፍ 2

[1] ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ብናይ ይሁዳን የሩሳሌምን ዝረኣዮ ቓል እዚ እዩ፡ [2] ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት
ኪኸውን እዩ፡ ናይ ቤት እግዚኣብሄር ከረን ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪቘውም፡ ኣብ ልዕሊ ኹድኹዶታት
ድማ ልዕል ኪብል፡ ኲሎም ኣህዛብውን ናብኡ ኺውሕዙ እዮም። [3] ሕጊ ኻብ ጽዮን፡ ቃል እግዚኣብሄር
ከኣ ካብ የሩሳሌም ኪወጽእ እዩ እሞ፡ ብዙሓት ህዝብታት ኪኸዱ፡ ንዑናይ ናብ ከረን እግዚኣብሄር፡ ናብ
ቤት ኣምላኽ ያእቆብ ንደይብ፡ ንሱ ጐደናታቱ ኺምህረና፡ ብመገድታቱ ክንመላለስ ኢና፡ ድማ ኪብሉ
እዮም። [4] ኣብ መንጎ ኣህዛብ ኪፈርድ፡ ንብዙሓት ህዝብታትውን ኪዳንዮም እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም
ንማሕረሻታት፡ ኲናውቶምውን ንገዘሞታት ኪሰርሕዎ እዮም። ህዝቢ ኣብ ህዝቢ ሰይፊ ኣይኬልዕልን
እዩ፡ ደጊምሲ ውግእ ኣይኪመሀሩን እዮም። [5] ኣቱም ቤት ያእቆብ፡ ንዑ ኾታ ብብርሃን እግዚኣብሄር
ንመላለስ። [6] ንቤት ያእቆብ፡ ህዝብኻ፡ ብኣመል ሰብ ምብራቕ ስለ ዝመልኡ፡ ከም ፍልስጥኤማውያን ከኣ
ስለ ዝጠንቈሉ፡ ምስ ደቂ ጓናውን ኣገና ስለ ዝጠቓዑ፡ ሐደግካዮም። [7] ሃገሮምሲ ብሩርን ወርቅን ምሉእ
እዩ፡ ዕቋሮም ድማ ታእላው የብሉን። ሃገሮም ከኣ ኣፍራስ ሞሉእ እዩ፡ ዓረብያታቶምውን ታእላው
የብሉን። [8] ሃገሮም ድማ ጣኦታት ምሉእ እዩ፡ንግብሪ ኣእዳዎም፡ ነቲ ኣጻብዖም ዝገበራኦ ይሰግድሉ። [9]
እቲ ጥቑዕ ሰብ ከኣ ለጥቕ ይብል፡ እቲ ምርኡይ ሰብ ድማ ይዋረድ ኣሎ፡ ስለዚ ይቕረ ኣይትብለሎምን
ኢኻ። [10] ኣብ በዓቲ እቶ፡ ካብ ረዓድ እግዚኣብሄር ካብ ቅድሚ ኽብሪ ግርምኡን ኣግሊስካ ኣብ ሓመድ
ተሐባእ። [11] እተን ዕቡያት ኣዒንቲ ሰብ ለጠቕ ኪብላ እየን። ትዕቢት ሰባት ከኣ ኪዋረድ እዩ፡ በታ
መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር በይኑ ልዕል ኪብል እዩ። [12] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ንዅሉ ዕቡይን
ኲሩዕን ልዕል ንዝበለ ኹሉን ኬዋርዶ፡ መዓልቲ ቈሪጹ ኣሎ እሞ፡ [13] ኣብ ኲሉ ዓብይን ልዕል ዝበለ
ኣእዋም ሊባኖስን ኣብ ኲሉ ኣእዋም ባሳንን፡ [14] ኣብ ኲሉ ነዊሕ ኣኽራንን ኣብ ኲሉ ልዕል ዝበለ
ኹረቢትን፡ [15] ኣብ ብዘሎ ነዊሕ ግምብን ኣብ ብዘሎ ጽኑዕ ቀጽርን፡ [16] ኣብ ኲለን መራኽብ ተርሲስን
ኣብቲ ንምርኣይ ዜተምኒ ዘበለን መዓልቲ ቈሪጹ ኣሎ እሞ፡ [17] ትዕቢት ሰብ ኪዋረድ፡ ኲርዓት ሰባት ድማ
ኪሐስር እዩ፡ በታ መዓልቲ እቲኣስ እግዚኣብሄር በይኑ ልዕል ኪብል እዩ። [18] ጣኦታትውን ብጥራስ
ኪጠፍኡ እዮም። [19] ንምድሪ ኼሸብራ ምስ ዚትንስእ፡ ካብ ረዓድ እግዚኣብሄርን ካብ ቅድሚ ኽብሪ
ግርማኡን ኣግሊሶም፡ ናብ በዓትታት ኣኻውሕን ናብ ጐዳጒድ ምድርን ኪኣትው እዮም። [20] በታ
መዓልቲ እቲኣ ነቶም ኪሰግዱሎም ዝገበርዎም ጣኦታት ብሩሮምን ጣኦታት ወርቆምንሲ ንፍሒራታትን
ነዕዋፍ ለይትን ኪድርብዮዎም እዮም። [21] ንምድሪ ኼሸብራ ምስ ዚትንስእ፡ ካብ ረዓድ እግዚኣብሄር ካብ
ቅድሚ ኽብሪ ግርማኡን ኣግሊሶም ናብ በዓትታት ኣኻውሕን ናብ ምንቃዕ ኣኻውሕን ኪኣትው እዮም።
[22] በቲ ትንፋስ ኣብ ኣፍንጫኡ ዘለዎ ሰብ ኣይትወከሉ፡ ብምንታይከ ኣዩ እተቛጽርዎ

# ምዕራፍ 3

1 እንሆ፡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ካብ የሩሳሌምን ካብ ይሁዳን ደገፉን ምርኩስ፡ ኲሉ ደገፉ
እንጌራን ኲሉ ደገፉ ማይን ኬርሕቕ እዩ። 2 ነቲ ጅግናን ተዋጋእን ነቲ ፈራድን ንነብይን ነቲ ፈላጥን
ንኣረጊትን፡ 3 ነቲ ሓለቓ ሓምሳን ንምርኡይ ሰብን ነቲ መኻርን ንንፉዕ ብዓል ኢደ ጥበብን ንብልሓተኛ
ዓዛምን ኬርሕቕም እዩ። 4 ቈልዑ መሳፍንቶም ኪኾኑ ኽህቦም እየ፡ ሕጻናት ከኣ ኪመልከዎም እዮም። 5
እቲ ህዝቢ ድማ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ፡ ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ኺገፍዖ እዩ፡ ቈልዓ ንኣረጊት፡ እቲ ሕማቕ ድማ
ነቲ ኽቡር ኪደፍሮ እዩ። 6 ሓደ ንሓው ኣብ ቤት ኣቦኡ ሒዙ፡ ክዳን ኣሎካ እሞ፡ ገዛኢ ኹነና፡ ነዚ
ምዕናው እዚ ኣብ ትሕቲ ኢድካ ግበሮ፡ ምስ ዚብሎ፡ 7 እቲውን በታ መዓልቲ እቲኣ ኢዱ ኣልዒሉ፡ ኣነ
ዘናን ቍስሊ ኣይኰንኩን፡ ኣብ ቤተይ ድማ እንጌራ ወይስ ክዳን የልቦን፡ እሞ፡ ገዛእ ህዝቢ ኣይትግበሩኒ፡
ኪብል እዩ። 8 ነዒንቲ ኽብሩ ኬቔጥዕወን ኢሎምሲ፡ ልሳኖምን ግብሮምን ንእግዚኣብሄር ስለ እተጻረረ፡
የሩሳሌም ሰንከልከል ትብል፡ ይሁዳ ኸኣ ትወድቕ ኣላ። 9 ትርኢት ገጾም ዜርትዖም ይምስክር፡
ንሓጢኣቶም ከም ሶዶም የውርይዎ፡ ኣይሐብእዎን ከኣ፡ ኣብ ርእሶም ሕሰም የምጽኡ ኣለው እሞ፡
ወይለኣ ነፍሶም። 10 ንጻድቕ፡ ፍረ ግብሩ ኺበልዕ እዩ እሞ፡ ተዐዊትካ በልዎ። 11 ንረሲእሲ እኩይ ኪረኽቦ
እዩ፡ ግብሪ ኢዱ ኺፍደ እዩ እሞ፡ ወይለኡ። 12 ገፋዕቲ ህዝበይ ቈልዑ እዮም፡ ኣንስቲ ኸኣ ይገዝእኦ
ኣለዋ። ዎ ህዝበይ፡ መራሕትኻ ኣጋገዩኻ፡ ነታ እትኸደላ መገዲ ኸኣ የጥፍእዋ ኣለው። 13 እግዚኣብሄር
ኪምጐት ይትንስእ፡ ንህዝብታት ኪፈርዶም ይቐውም። 14 እግዚኣብሄር ነቶም ናይ ህዝቡ ዓበይትን
መሳፍንትን ኪፈርዶም ይኣቱ፡ ነቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ንስኻትኩም ኢኹም ዘበላዕኩምዎ፡ እቲ ኻብ
ድኻታት ዝዘረፍኩምዎ ኣብ ኣባይትኹም ኣሎ። 15 ንህዝበይ እትረግጽዎ፡ ንገጽ ድኻታት ከኣ
እትደቍሱንሲ፡ ስለምንታይ ኢኹም ይብል እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት። 16 መሊሱ እግዚኣብሄር በለ፡
ኣዋልድ ጽዮን ኰሪዔን፡ ክሳውደን ገቲረን፡ በዒንተን ቅምጽ እናበላን ብግንትእ ዚብል ኣረጋግጻን
ብሽዋሕዋሕ ዚብል ስልማት እግርን ይኸዳ ኣለዋ እሞ፡ 17 እግዚኣብሄር ንናላ ኣዋልድ ጽዮን ኬንኰዮ፡
እግዚኣብሄር ድማ ንሓፍረተን ኪቕልዖ እዩ። 18 በታ መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር ንጌጽ ኣምባር እግርን
ንጥሉፍ መጐልበብን ንሳንቓ ድርን ኪቕንጥጦ እዩ። 19 ንዅትሻን ኣምባር ኢድን መጐልበብን፡ 20
ንመጠምጠምያን ስጒሚ ኼሕጽር እተሰርሐ ሰንሰለትን ንቕናትን ቢልቃጥ ሽቱን ክታባውትን፡ 21
ንቐለቤት ኣጻብዕን ቀለቤት ኣፍንጫን፡ 22 ንኽዳውንቲ በዓልን ባርኖስን፡ ንመደረብታን ሕልሕሎን፡ 23
ንመስትያትን ቅዕጭን ዓለባን ንጋማን መጐልበብን ኪቕንጥጦ እዩ። 24 ኣብ ክንዲ ምኡዝ ሽቱ ጺእ ጨና፡
ኣብ ክንዲ ቕናት ከኣ ገመድ፡ ኣብ ክንዲ ጐተና ነዃዕ፡ ኣብ ክንዲ ባርኖስ ከኣ ከሊ፡ ኣብ ክንዲ ጽባቐ
መልክዕውን ናይ ንዳድ በሰላ ኪኸውን እዩ። 25 ሰብኡትኪ ብሰይፊ፡ ጀጋኑኺ ኣብ ውግእ ኪወድቁ
እዮም። 26 ደጌታት ኪቍዝማን ኪሐዝናን እየን፡ ንሳ ኸኣ ኣብ ምድሪ ኽትቕመጥ እያ።

# ምዕራፍ 4

1 በታ መዓልቲ እቲኣ ሾብዓተ ኣንስቲ፡ እንጌራ ንበልዕ፡ ክዳንናውን ንኽደን፡ ሓንትስ ብስምካ ኽንጽዋዕ
ሕደገና፡ ጸርፍና ኸኣ ኣርሕቕ፡ እናበላ ንሓደ ሰብኣይ ኪሕዛኦ እየን። 2 በታ መዓልቲ እቲኣ ነቶም ዘምለጡ
ናይ እስራኤል፡ እቲ ጨንፈር እግዚኣብሄር ንጌጽን ንኽብርን፡ እቲ ፍረ ምድሪውን ንሓበንን ሓጐስን
ኪኾኖም እዩ። 3-4 እግዚኣብሄር ብመንፈስ ፍርድን ብመንፈስ ምንዳድን ገይሩ፡ ንርኽሰት ኣዋልድ ጽዮን
ምስ ሐጸበ፡ ንደም የሩሳሌም ድማ ካብ ማእከል ምስ ኣጽረየ፡ ኣብ ጽዮን እተሓድገን ኣብ የሩሳሌም

ዝተረፈን፡ ነፍሲ ወከፍ ኣብ የሩሳሌም ምስ ህያዋን እተጻሕፈ፡ ቅዱስ እዩ ዚበሀለሉ ጊዜ ኪኸውን እዩ። 5
ኣብ ልዕሊ ኹሉ ኽብርስ መኸወሊ ኪኸውን እዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ኹሉ መሳፍሮ ኣኽራን
ጽዮንን፡ ኣብ ልዕሊ ኣኼባታታን ደበናን ትክን ብመዓልቲ፡ ባና ሃልሃል ዚብል ሓዊ ኸኣ ብለይቲ
ኺፈጥር እዩ። 6 ኣብኡ ኸኣ ብመዓልቲ ኻብ ሃሩር መጽለሊ፡ ካብ ሸሸን ዝናምን ከኣ ጸግዕን መዕቀልን
ዚኸውን ድንኳን ኪህሉ እዩ።

# ምዕራፍ 5

1 ቅነ ፍቁረይ ብዛዕባ ኣታኽልቲ ወይኒ ንፍትወይ እቕነየሉ ኣሎኹ። ፍቁረይ ኣታኽልቲ ወይኒ ኣብ
ፍርያም ኵርባ ነበሮ። 2 ኰዐቶ ኣእማኑ ኸኣ ኣርዩ ኣውጽኤ እሞ፡ ሕሩይ ተኽሊ ወይኒ ተኸለሉ፡ ኣብ
ማእከሉ ድማ ግምቢ ሰርሓሉ፡ መሓምተሊ ኸኣ ኣብ ውሽጡ ገበረሉ። ዘቢብ ኬፍሪውን ተጸበየ፡ ግናኸ
መጺጽ ፍረ ኣፍረየ። 3 ኣቱም ኣብ የሩሳሌም እትነብሩን ኣቱም ሰብ ይሁዳን፡ እስኪ ሕጂ ኣብ መንጎይን
ኣብ መንጎ ኣታኽልቲ ወይነይን ፍረዱ። 4 ነታኽልቲ ወይነይሲ ሓለፋ እቲ ኣነ ዝገበርኩሉ እንታይ ኰን
ምተገብረሉ ነይሩ ዘቢብ የፍሪ እዩ ኢለ እናተጸበኽዎስ፡ ስለምንታይ እዩ መጺጽ ፍረ ዘፍረየ 5
እምበኣርከ ነቲ ኣብ ኣታኽልቲ ወይነይ ዝገብሮ ኤፍልጠኩም፡ ንሓጹሩ ክቕንጥጦ እየ፡ መጋሰዪ ኸኣ
ኪኸውን እዩ፡ ንመካበብያኡ ኸፍርሶ እየ፡ ኪርገጽውን እዩ። 6 ከባድሞ እየ፡ ኣይኪጽልጽልን
ኣይኪኹስኰስን ድማ እዩ፡ እሾኹን ተኾርባን ከኣ ኪበቝሎ እዩ፡ ንደበናታት ድማ ዝናም ከየዝንሙሉ
ኽእዝዞም እየ። 7 እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ናይ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊትሲ ቤት እስራኤል እዩ፡ እቲ
ተኽሊ ደስታኡ ኸኣ ሰብ ይሁዳ እዮም፡ ፍትሒ ተጸብዩስ፡ እንሆ፡ ምኽዓው ደም፡ ጽድቂ ተጸብዩስ፡
እንሆ፡ ኣውያት ረኸበ። 8 ንስኻትኩም በይንኹም ኣብ ማእከል ሃገር ክትነብሩስ፡ እቶም ስፍራ ኽሳዕ
ዘሰኣን፡ ቤት ኣብ ቤት ዚድርቡ፡ ግራት ከኣ ናብ ግራት ዜቕርቡ ወይለኦም። 9-10 እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ካብ ዓሰርተ ጽምዲ ዜውዕል ኣታኽልቲ ወይንስ ሓደ ባት፡ ሓደ ሆመር ዘርኢ ኸኣ ሓደ ኤፋ
ጥራይ ኪእቶ እዩ እሞ፡ ብሓደ እቲ ብዙሕ ኣባይቲ ኺያኑ እዩ፡ እቲ ዓበይቲ ጽቡቕን እኳ ዚነብሮ ዜብሉ
ኪኸውን እዩ፡ ኢሉ ኣብ እዝነይ ተዛረበ። 11 እቶም ንብርቱዕ መስተ ኺስዕቡ ወጋሕታ ኣንጊሆም
ዚትንስኡ፡ ወይኒ ኽሳዕ ዜርስኖም ድማ ኣዝዮም ዜምስዩስ ወይለኦም። 12 መሰንቆን ጭራን ከበሮን
እምብልታን ወይንን ኣብ ድግሶም ኣሎ፡ ንተግባር እግዚኣብሄር ግና ኣየስተብህልዎን፡ ነቲ ግብሪ ኣእዳው
ኸኣ ኣይርእይዎን። 13 ስለዚውን ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ተማረኹ፡ ክቡራቶም ብጥሜት ይሞቱ፡ ሰቦም
ድማ ብጽምኢ ይነቕጹ ኣለው። 14 ስለዚ ሲኦል ንትምኒታ ኣርሒባ፡ ኣፋውን ብዘይ ልክዕ ሃህ ኣቢላ ኣላ፡
ክብረቶምን ብዝሒ ሰቦምን ጌጾምን እቲ ኣብኡ ባህ ዚብሎን ናብኣ ይወርድ ኣሎ። 15 እቲ ማንም ሰብ
ለጠቕ ኪብል፡ እቲ ምርኡይ ከኣ ኪዋረድ እዩ፡ ኣዒንቲ ኹሩዓት ድማ ኪዋረዳ እየን። 16 እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ግና ብፍርዲ ልዕል ይብል፡ እቲ ቅዱስ ኣምላኽ ድማ ብጽድቂ ይቕደስ። 17 ሽዑ ዕያውቲ
ኸም ኣብ መጓሰይኦም ኪጓሰዩ እዮም፡ ነቲ ዝባደመ ቦታ ሃብታማት ከኣ ጓኖት ኪበልዕዎ እዮም። 18
እቶም ንኣበሳ ብገመድ ሓሶት፡ ንሓጢኣት ከኣ ከም ብመታምር ሰረገላ ዚስሕብዎ ወይለኦም። 19 እቶም፡
ክንርእዮስ ይቕልጥፍ፡ ዕዮኡ ኸኣ ፈጢኑ ይግበር፡ ምእንቲ ኽንፈልጦ ድማ፡ ምኽሪ እቲ ናይ እስራኤል
ቅዱስ ትቕረብ ትምጻእውን፡ ዚብሉ ወይለኦም። 20 እቶም ነቲ እከይሲ ሰናይ፡ ንሰናይ ከኣ እከይ ዚብሉ፡
ንጸልማትሲ ብርሃን፡ ንብርሃን ድማ ጸልማት ዚገብርዎ፡ ንመሪርሲ ጥዑም፡ ንጥዑምውን መሪር
ዚገብርዎ ወይለኦም። 21 እቶም ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ጠቢባን፡ ብርእሶም ከኣ ኣስተውዓልቲ ዝኾኑ

ወይለኦም። 22 እቶም ንምስታይ ወይኒ ዚሕይሉ፡ ዜስክር መስተ ንምሕዋስ ከኣ ዚብርትዑ ሰብ
ወይለኦም። 23 መማለጃ ተቐቢሎም ንረሲእ ዜጽድቕዎ፡ ንጻድቕ ድማ ጽድቁ ዜግድፍዎ ወይለኦም። 24
ንሕጊ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ንዒቖምዎ፡ ንቓል እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ከኣ ተሐሲሞምዎ እዮም
እሞ፡ ስለዚ ኸምቲ ልሳን ሓዊ ንብርዒ ዜንድዶ፡ ንቑጽ ሳዕሪ ኸኣ ብሃልሃልታ ሞኹ ዚብል፡ ሱሮም ከም
ብኹብኹ ኪኸውን፡ ዕምባባኦም ከኣ ከም ዕሻሽ ኪተጐጕ እዩ። 25 ስለዚ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ኣብ
ህዝቡ ነደደ፡ ኢዱ ኸኣ ኣባታቶም ዘርግሔ እሞ ወቕዖም፡ ኣኽራን ኣንቀጥቀጡ፡ ሬሳኦም ድማ ከም
ጐሓፍ፡ ኣብ ማእከል ኣደባባይ ኰነ። ምስናይዚ ኹሉ ድማ ቍጥዓኡ ኣይተመልሰን፡ ኢዱውን ገና
ተዘርጊሓ ኣላ። 26 ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለው ኣህዛብ ድማ ሰንደቕ ዕላማ ኼልዕለሎም፡ ካብ ጽንፊ ምድሪ
ኸኣ ብፉዳ ኺጽውዖም እዩ፡ እንሆውን ብፍጥነት ቀልጢፎም ኪመጹ እዮም። 27 ድኹምን ስንከልከል
ዚብልን ኣብ ማእከል የልቦን፡ ሓደ እኳ ኣይታኸስን ኣይድቅስን፡ ቅናት ሕቝኦም ኣይፍታሕን፡ ጥላም
ሳእኖም ከኣ ኣይብተኽን። 28 ፍላጻታቶም በሊሕ፡ ኵሉ ቐስቶም ድማ ግቱር እዩ፡ ሸኾና ኣፍራሶም ከም
ኣዝሒት እዩ፡ መንኰርኰር ሰረገላታቶም ከኣ ከም ህቦብላ እዩ። 29 ምጒዛሞም ነቲ ናይ ዋዕሮ ይመስል፡
ከም ሽደን ኣንበሳ ይጓዝሙ፡ የጒራዕርዑ፡ ግዳዮም ዐትዒቶም ኣብ ጽኑዕ ይወስድዎ፡ ዜናግፍውን
የልቦን። 30 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸም ህማም ባሕሪ ኣብኦም ኪሀሙ እዮም፡ ኣብታ ሃገር እንተ ጠመትካ
ኸኣ፡ እንሆ፡ ጸልማት ጸበባን፡ እቲ ብርሃንውን ኣብ ደበናታታ ይጽልምት።

## ምዕራፍ 6

1 በታ ንጉስ ኡዝያ ዝሞተላ ዓመት ኣነ፡ እግዚኣብሄር ኣብ በሪኽን ልዕል ዝበለን ዝፋን ተቐሚጡ ኸሎ፡
ርኤኽዎ፡ ዘፈራት ልብሱ ኸኣ ነቲ መቕደስ መሊእዎ ነበረ። 2 ኣብ ልዕሊኡ ድማ ሱራፌል ቌይሞም ነበሩ፡
ነፍሲ ወከፎም ሹድሽተ ኽንፊ ኣለዎ፡ በቲ ኽልተ ንገጹ ይኸድኖ፡ በቲ ኽልተ ድማ ነእጋሩ ይኸድኖ፡ በቲ
ኽልተውን ይነፍር ነበረ። 3 እቲ ሓደ ኸኣ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኲላ
ምድሪ ብኽብሩ መሊኣ ኣላ፡ ኢሉ ኣድሀየ። 4 ብድምጺ እቶም ዘድሀዩ እቲ መሰረት ልዳውቲ ኣንቀጥቀጠ፡
እታ ቤትውን ትኪ መልኤት። 5 ሽዑ ድማ፡ ከናፍረይ ዝርኹስ ሰብ እየ፡ ኣብ ማእከል እቲ ኸናፍሩ
ዝርኹስ ህዝቢ ኸኣ እነብር ኣሎኹ እሞ፡ ወይለይ፡ ኣዒንተይ ንንጉስ፡ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡
ርእየን እየን እሞ፡ ጠፋእኩ፡ በልኩ። 6 ካብቶም ሱራፌል ሓደ ድማ፡ ጓህሪ ኻብቲ መሰውኢ ብጒጤት
ወሲዱ፡ ኣብ ኣዱ ሒዙ ናባይ ነፈረ። 7 ብእኡ ኸኣ ኣፈይ ተንከየ እሞ፡ እንሆ፡ እዚ ንኸናፍርካ ተንከዮ፡
ኣበሳኻ ረሐቐልካ፡ ሓጢኣትካውን ጸረየልካ፡ በለ። 8 ንመን ክልእኽ መንከ ኪኸደልና እዩ ዚብል ድምጺ
እግዚኣብሄር ሰማዕኩ። ኣነውን፡ እኔኹ ልኣኸኒ፡ በልኩ። 9-10 ንሱ ድማ፡ ኪድ እሞ ነዚ ህዝቢ እዚ፡
ምስማዕሲ ስምዑ፡ ግናኸ ኣይተስተውዕሉ፡ ምርኣይሲ ርኣዩ፡ ግናኸ ኣይተለልዩ፡ ኢልካ ተዛረቦ። ምእንቲ
በዒንቶም ከይርእዩ፡ በእዛኖም ከኣ ከይሰምዑ፡ ብልቦምውን ከየስተውዕሉ፡ ከይምለሱ እሞ ከይሐውዩስ፡
ንልቢ እዚ ህዝቢ እዚ ድፈኖ፡ ነእዛኖም ኣጽምመን፡ ነዒንቶምውን ዐምተን፡ ኢሉ ተዛረበኒ። 11 ኣነ ኸኣ፡
ጐይታየ፡ ክሳዕ መኣዝ፡ በልኩ። ንሱ ድማ በለ፡ ከተማታት ክሳዕ ዚባድማ እሞ ዚነብረን ዜብለን፡
ኣባይቲ ብዘይ ሰብ፡ እታ ሃገርውን በረኻ ኾይና ኽሳዕ እትባድም፡ 12 እግዚኣብሄር ንሰብ ክሳዕ ዜግዕዞም፡
ኣብ ማእከል እታ ሃገርውን ጽምዊ ስፍራታት ክሳዕ ዚበዝሕ። 13 ዕሽር እኳ ኣብኣ እንተ ተረፈ፡ ንሱውን
መሊሱ ኺጠፍእ እዩ። ግናኸ ከምቲ መመናን ኣውሕን ምስ ተቘርጸ፡ ጒንዱ ዚተርፍ፡ ከምኡ እቲ ቅዱስ
ዘርኢ ጒንዱ ኪኸውን እዩ።

## ምዕራፍ 7

1 ኰነ ኸኣ፡ ረጺን ንጉስ ሶርያን ጴቃሕ ወዲ ረማልያ ንጉስ እስራኤልን ብዘመን ኣሃዝ ወዲ ዮታም፡ ወዲ
ኡዝያ፡ ንጉስ ይሁዳ፡ ንየሩሳሌም ኪዋግእዋ ተላዕሉ፡ ግናኸ ኣይተኻእሎምን። 2 ንቤት ዳዊት ከኣ፡ ሶርያ
ኣብ ኤፍሬም ሰፈሮም፡ ኢሎም ኣውረዩሎም። ከምቲ ኣእዋም ዱር ብንፋስ ዚናውጽ፡ ልቡን ልቢ
ህዝቡን ተናወጸ። 3 ሽዑ እግዚኣብሄር ንኢሳይያስ በሎ፡ ንስኻ ምስ ሸኣርያሹብ፡ ወድኻ፡ ውጻእ እሞ ኣብቲ
ወሰን መስኖ ላዕላይ ቀላይ ብጽርግያ ግራት ሓጻቢ ንኣሃዝ ተቐባበሎ፡ 4 እሞ ንገሮ፡ ተጠንቀቕ፡ ህዳእ
ኣይትፍራህውን፡ በዘን ክልተ ተኸኽቲ ተረፍ እያድ፡ በቲ ናይ ረጺንን ናይ ሶርያን ናይ ወዲ ረማልያን
ጒሁር ቍጥዓ ኸኣ ልብኻ ኣይጥፋእ። 5-6 ሶርያን ኤፍሬምን ወዲ ረማልያን፡ ናብ ይሁዳ ንደይብ እሞ
ንሸብራ፡ ኣፍሪስና ንእቶ፡ ንወዲ ጣብኤል ከኣ ኣብኡ ነንግሶ፡ እናበሉ እኩይ መኺሮምልካ ኣለው። 7-8
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ ርእሲ ሶርያ ደማስቆ፡ ርእሲ ደማስቆ ኸኣ ረጺን እዩ እሞ፡ እዚ
ኣይኪቐውምን ኣይኪኸውንን ድማ እዩ፡ ብስሳን ሓሙሽተን ዓመት ድማ ኤፍሬም ህዝቢ ኸይከውን
ኪጭፍለቕ እዩ። 9 ርእሲ ኤፍሬም ከኣ ሰማርያ እያ፡ ርእሲ ሰማርያ ድማ ወዲ ረማልያ እዩ። እንተ
ዘይኣመንኩም፡ ብሓቂ ኣይትጸንዑን ኢኹም። 10-11 እግዚኣብሄር ድማ፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ትእምርቲ ለምን፡ ካብቲ ዓሚቍ ወይስ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ በሪኽ ለምን፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ ንኣሃዝ
ነገሮ። 12 ኣሃዝ ግና፡ ኣይልምንን፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣይፍትኖን እየ፡ በለ። 13 ሽዑ በለ፡ እምበኣርሲ
ኣቱም ቤት ዳዊት፡ ስምዑ፡ እቲ ንሰብ ላሕ ምባልኩምዶ ውሒዱ እዩ፡ ንኣምላኸይ ድማ ላሕ እተብልዎ
14 ስለዚ እግዚኣብሄር ባዕሉ ትእምርቲ ኺህበኩም እዩ፡ እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ፡ ወዲ ኸኣ ክትወልድ
እያ፡ ስሙውን ኣማኑኤል ክትሰምዮ እያ። 15 ንእከይ ምእባይ ንሰናይ ከኣ ምሕራይ ክሳዕ ዚፈልጥሲ፡
ጠስምን መዓርን ኪበልዕ እዩ። 16 እቲ ቈልዓ ንእከይ ምእባይ ንሰናይ ከኣ ምሕራይ ከይፈለጠ፡ ሃገር
እቶም እትፈርሆም ዘሎኻ ኽልተ ነገስታ ክትሕደግ እያ። 17 ኤፍሬም ካብ ይሁዳ ኻብ ዚፍለ መዓልቲ
ጀሚሩ፡ እግዚኣብሄር ከምኡ ዘመሰለ መዓልትታት ከቶ ዘይመጸ፡ ኣባኻን ኣብ ህዝብኻን ኣብ ቤት
ኣቦኻን ኬምጽእ እዩ፡ ማለት ንጉስ ኣሶር። 18 በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ኣብ
ወሰን ርባታት ግብጺ ዘሎ ጽንጽያን ኣብ ምድሪ ኣሶር ዘሎ ንህብን ብፋጻ ኺጽውዖም እዩ። 19 ንሳቶም
ከኣ ኪመጹ እሞ ኲላቶም ኣብ ጽምዊ ሽንጭሮን ኣብ ምንቃዕ ኣኻውሕን ኣብ ኲሉ ኣእሻኹን ኣብ ኲሉ
ስዕሩር ምድርን ኪሰፍሩ እዮም። 20 በታ መዓልቲ እቲኣስ እግዚኣብሄር በታ ኻብ ስግር ርባ እተኻረያ
መላጸ፡ ማለት ንጉስ ኣሶር፡ ንርእስን ንጸጒሪ እግርን ኪላጺ እዩ፡ ንጭሕሚውን ኪሰዶ እዩ። 21-22 በታ
መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኪኸውን እዩ፡ ኣብታ ሃገር ዝተረፈ ዘበለ ኹሉስ ጠስምን መዓርን ኪበልዕ እዩ እሞ፡
ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንሓንቲ በኣር ኣርሕን ንኽልተ ኣባጊዕን ኪምግብ እዩ፡ ካብ ብዝሒ ጸባኤን እተላዕለ
ኸኣ ጠስሚ ኺበልዕ እዩ። 23 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፡ ኣብቲ ሽሕ ቅርሺ ዝገምጋሙ ሽሕ
ተኽሊ ወይኒ ዘለዎ ኹሉ ስፍራስ፡ እሾኹን ተኾርባን ኪኾኖ እዩ። 24 ኲላ እታ ምድሪ እቲኣ እሾኹን
ተኾርባን ክትከውን እያ እሞ፡ ፍላጻን መንትግን ሒዞም ናብኣ ኺኣትው እዮም። 25 እቲ ብመባሮ ዚባሮ
ዝነበረ ኹሉ ኾረቢት ከኣ ካብ ፍርሂ እሾኹን ተኾርባን እተላዕለ ሓደ እኳ ዚኸዶ የልቦን፡ ግናኸ
መውፈር ኣብዑርን መርገጽ ኣባጊዕን ኪኸውን እዩ።

## ምዕራፍ 8

1 እግዚኣብሄር ድማ፡ ዓብዪ ሰሌዳ ውሰድ ኣብኡውን፡ ቀልጢፍካ ዝመት፡ ፈጢንካ ማርኽ፡ ኢልካ

ብብርዒ ሰብ ጸሐፍ፡ በለኒ። [2] እሙናት ምስክር ከኣ፡ ንኡርያ እቲ ኻህንን ንዘካርያስ ወዲ ይቤፊኽያን
ወሰድኩ። [3-4] ኣብታ ነብይት ከኣ ቀረብኩ፡ ንሳውን ጠነሰት ወዲ ኸኣ ወለደት። ሽዑ እግዚኣብሄር፡ እቲ
ሕጻን ኣቦይን ኣደይን ምባል ከይፈለጠ፡ ሃብቲ ደማስቆን ምርኮ ሰማርያን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኣሶር
ኪወስድዎ እዮም እሞ፡ ነቲ ሕጻን፡ ቀልጢፍካ ዝመት፡ ፈጢንካ ማርኽ፡ ኢልካ ስመዩ፡ በለኒ። [5] ከም
ብሓድሽ ከኣ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ተዛረበኒ፡ [6] እዚ ህዝቢ እዚ ነቲ ለመም ኢሉ ዚውሕዝ ማይ
ሰሊሆም፡ ንዒቑ፡ ብረጺንን ብወዲ ረማልያን ከኣ ተሐጒሱ እዩ እሞ፡ [7] ምእንትዚ እንሆ፡ እግዚኣብሄር
ነቲ ብርቱዕን ዓብይን ማያት ርባ፡ ማለት ንጉስ ኣሶርን ኩሉ ኽብሩን፡ ኣብ ልዕሊኦም ኬደይቦ እዩ፡
ንሱውን ንኹሉ ደንደሱ ኺሐልፎን ኣብ ኩሉ ገምገሙ ኼውሕዝን እዩ። [8] ናብ ይሁዳ ጥሒሱ ኺኣቱ፡
ኣብ ልዕሊ ገምገሙ ወጺኡ እናሐለፈ፡ ክሳዕ ክሳድ ኪበጽሕ እዩ። ዎ ኣማኑኤል፡ ምዝርጋሕ ኣኽናፉውን
ንራሕቢ ሃገርካ ኺመልኦ እዩ። [9] ኣቱም ህዝብታት፡ ነድሩ እሞ ክትጭፍለቑ ኢኹም፡ ኣቱም ሰብ ርሑቕ
ሃገር ከኣ ኩሉኹም፡ ጽን በሉ፡ ተዐጠቑ እሞ ክትጭፍለቑ፡ ተዐጠቑ እሞ ክትጭፍለቑ ኢኹም። [10]
እግዚኣብሄር ምሳና እዩ እሞ፡ ምኽሪ ወድቡ፡ ኪዝርዘር ከኣ እዩ፡ ቃል ተዛረቡ፡ ኣይኪቖውምን ድማ
እዩ። [11] እግዚኣብሄር ብሓያል ኢድ ከምዚ ተዛሪቡኒ እዩ እሞ፡ ብመገዲ እዚ ህዝቢ እዚ ኸይመላለስ
ከምዚ ኢሉ ገሰጸኒ፡ [12] እዚ ህዝቢ እዚ ምምሕሓል ንዚብሎ ኹሉ ምምሕሓል ኣይትበልዎ፡ ነቲ ዚፈርሆ
ኸኣ ኣይትፍርህዎ፡ ብእኡውን ኣይትሰከሑ። [13] ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ንእኡ ቀድስዎ፡ ንሱ
ፍርሃትኩም ይኹን፡ ንሱ ስምባድኩም ይኹን። [14] ንሱ ኸኣ መቕደስ ኪኸውን እዩ፡ ነተን ክልተ ቤት
እስራኤል ግና እምኒ ምዕንቃፍን ከውሒ ምንስታትን፡ ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩውን መድፈናን
መፈንጠራን ኪኾኖም እዩ። [15] ብዙሓት ካባታቶም ከኣ ኪዕንቀፉን ኪወድቁን ኪስበሩን ኪፍንጠሩን
ኪተሐዙን እዮም። [16] ኣብ ማእከል ደቀ መዛሙርተይ ምስክር እሰር፡ ሕጊውን ሕተም። [17] ኣነስ ነቲ ኻብ
ቤት ያእቆብ ገጹ ዚሐብእ እግዚኣብሄር እጽበ፡ ብእኡውን ተስፋ እገብር ኣሎኹ። [18] እንሆ፡ ኣነን እቶም
እግዚኣብሄር ዝሀበኒ ደቅን፡ ኣብ ከረን ጽዮን ዚነብር እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኣብ እስራኤል
ንትእምርትን ተኣምራትን ኴንና ኣሎና። [19] ነቶም ብሕሽኹሽኹን ብሰላሕ ላሕን ዚዛረቡ ጠንቈልትን
ኣስማተኛታትን ጠይቑ፡ እንተ በሉኹም፡ ንስኻትኩም ከኣ፡ ህዝቢዶ ንኣምላኹ ኣይሐትትን፡ ብዛዕባ
ህያዋንሲ ንምውታትዶ ይሐትት እዩ ኢልኩም ምለሱሎም። [20] ናብ ሕግን ናብ ምስክርን፡ ከምዚ ዘመሰለ
ቓል እንተ ዘይተናገሩ፡ ብሓቂ ወጋሕታ የብሎምን። [21] ሸጊርዎምን ጠምዮምን ኣብታ ሃገር ኪዞሩ እዮም።
ምስ ጠመዩ ድማ፡ ሐሪቖም ንንጉሶምን ኣምላኾምን ኪረግሙ እዮም። ንላዕሊ ገጾም ኬንቃዕርሩ፡ [22] ናብ
ምድሪ ድማ ኪጥምቱ እዮም፡ እንሆውን፡ ጸበባን ጸልማትን ዜሸብር ጽልግልግታን ኣሎ፡ ናብ ድቕድቕ
ጸልማት ኪድፍኡ እዮም።

## ምዕራፍ 9

[1] ግናኸ ኣብታ እትሸገር ሃገርሲ ጸልማት ኣይኪነብርን እዩ። ኣብቲ ዘመን ቀደም ንምድሪ ዛብሎንን
ንምድሪ ንፍታሌምን ከም ዘቃለለን፡ ከምኡ ኣብቲ ዳሕራይ ዘመን ንመገዲ ባሕሪ፡ ንማዕዶ ዮርዳኖስ፡
ነታ ናይ ኣህዛብ ገሊላ ኬኽብራ እዩ። [2] እቲ ኣብ ጸልማት ዚመላለስ ህዝቢ ዓብዩ ብርሃን ረኣየ፡ ነቶም
ኣብ ምድሪ ድነ ሞት ዚነብሩውን ብርሃን ኣብርሃሎም። [3] ነቲ ህዝቢ ኣብዛሕካዮ፡ ንሓጐሶም ከኣ
ኣዕቤኻዮ፡ ከምቲ ሓጐስ ቀውዕን ከምቲ ምርኮ ኺማቐሉ ኸለው ዚሕጐሱን፡ ከምኡ ኣብ ቅድሜኻ
ይሕጐሱ። [4] ነርዑት ጾሩን ንበትሪ መንኩቡን ንስላዕ ገፋዒኡን ከም ብመዓልቲ ሚድያን ኔርካ ሰበርካዮ።

[5] ሰብ ኣብ ውግእ እተዐጥቆ ዘበለ ኣጽዋርን፡ ብደም እተዐለሰ ኽዳንን ኪነድድ፡ ሓዊ ድማ ኪበልዖ እዩ። [6]
ሕጻን ተወሊዱልና፡ ወዲ ተውሂብና እዩ እሞ፡ እቲ ግዝኣት ከኣ ኣብ መንኩቡ እዩ፡ ስሙውን ግሩም፡
መካር፡ ብርቱዕ ኣምላኽ፡ ኣቦ ዘለኣለም፡ መስፍን ሰላም ኪስመ እዩ። [7] ብፍርድን ብጽድቅን ካብ ሕጂ
ኽሳዕ ዘለኣለም ምእንቲ ኼጽንዓን ኬቕውማንሲ፡ ኣብ ዝፋን ዳዊትን ኣብ መንግስቱን ዕቤት ግዝኣቱን
ሰላሙን መወዳእታ የብሉን። ቅንኣት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነዚ ኺገብር እዩ። [8] እግዚኣብሄር ናብ
ያእቆብ ቃል ሰደደ፡ እዚውን ኣብ እስራኤል ወደቐ። [9-10] ኩሉ እቲ ህዝብን እቶም ብትዕቢት ብኹርዓት
ልቦምን፡ ጡብ ፈረሰ፡ ግናኸ ብውቑር እምኒ ኽንህንጽ፡ ኦም ሳግላ ተቘርጸ፡ ግናኸ ጽሕዲ ኽንትክኣሉ
ኢና፡ ዚብሉ ኤፍሬምን እቶም ኣብ ሰማርያ ዚነብሩን ኪፈልጡ እዮም። [11] ስለዚ እግዚኣብሄር ንተጻረርቱ
ፈጺን ኣብ ልዕሊኡ ኼተንስኣሉ፡ ንጸላእቱውን ኬለዓዕሎም እዩ፡ [12] ሰብ ሶርያ ኻብ ምብራቕ፡
ፍልስጥኤማውያን ድማ ካብ ምዕራብ፡ እዚኣቶም ከኣ ኣፎም ሃህ ኣቢሎም ንእስራኤል ኪውሕጥዎም
እዮም። ምስናይ እዚ ኹሉስ ቍጥዓኡ ኣይተመልሰን፡ ኢዱውን ገና ተዘርጊሓ ኣላ። [13] እቶም ህዝቢ ግና
ናብቲ ዝወቕዖም ኣይተመልሱን፡ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ ኣይደለይዎን። [14] ስለዚ እግዚኣብሄር
ንርእስን ጭራን፡ ንስየን ሰልሰላን ካብ እስራኤል ብሓንቲ መዓልቲ ኪቘርጾ እዩ። [15] እቲ ዓብይን እቲ
ምርኡይን ርእሲ እዩ፡ እቲ ሓሶት ዚምህር ነብዩ ኸኣ ጭራ እዩ። [16] መራሕቲ እዚ ህዝቢ እዚ መስሓትቲ
እዮም፡ እቶም ብኣታቶም ዚምርሑውን ኪጠፍኡ እዮም። [17] ኩላቶም ግቡዛትን ገበርቲ ኽፉእን እዮም፡
ኩሉ ኣፍ ከኣ ዕሽነት ይዛረብ እዩ እሞ፡ ስለዚ እግዚኣብሄር በጒባዞም ኣይኪሕጐሱን እዩ፡
ንዘኽታማቶምን ንመበለታቶምን ከኣ ኣይኪርሕርሓሎምን እዩ። ምስናይ እዚ ኹሉስ ቍጥዓኡ
ኣይተመልሰን፡ ኢዱውን ገና ተዘርጊሓ ኣላ። [18] ረሲእነት ከም ሓዊ ይነድድ እሞ፡ ንእሾኹን ተኹርባን
ይበልዖ፡ ኣብ ጽቡቕ ዱር ይባራዕ፡ ከም ኣዕኑድ ትኪውን ንላዕሊ ይወጽእቕ። [19] እታ ሃገር ብቚጥዓ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ትነድድ፡ ህዝቢ ድማ ኣደዳ ሓዊ ይኸውን፡ ሓደ እኳ ንሓው ኣይንሕፍን።
[20] ሰብ ካብ የማን ይምንጥል ይጠሚ ኸኣ፡ ካብ ጸጋም ይውሕጥ ኣይጸግብን ድማ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብ
ቀቅልጽሙ ስጋ ኺበልዕ እዩ። [21] ምናሴ ንኤፍሬም፡ ኤፍሬም ከኣ ንምናሴ ይበልዖ፡ ሐቢሮምውን ንይሁዳ
ይቃወምዎ። ምስናይ እዚ ኹሉስ ቍጥዓኡ ኣይተመልሰን፡ ኢዱውን ገና ተዘርጊሓ ኣላ።

# ምዕራፍ 10

[1-2] እቶም ንሽጉራትሲ ፍትሒ ኪኸልእዎም፡ ንድኻታት ህዝበይ ከኣ መሰሎም ኬግድፍዎም፡ ንመበለታት
ምርኮኦም ኪገብርወን፡ ንዘኽታማት ድማ ምእንቲ ኪኸትርዎም ኢሎምሲ፡ ሕጋጋት ዓመጻ ዚሕግጉ፡
ሕሰም ዚጽሕፉ ጸሓፍቲ ወይለኦም። [3] ብመዓልቲ ቕጽዓትን ህቦብላን ኻብ ርሑቕ ምስ ዚመጽእን
እንታይ ክትገብሩ ኢኹም ረዲኤት ክትረኽቡ ናብ መን ክትህድሙ ንኽብርኹምከ ኣበይ ክትሐድግዎ
ኢኹም [4] ብዘይ ኣብ ትሕቲ እሱራት ምድናንን ኣብ ማእከል ቅቱላት ምውዳቕን ዚተርፎም የልቦን።
ምስናይ እዚ ኹሉ ቜጥዓኡ ኣይተመልሰን፡ ኢዱውን ገና ተዘርጊሓ ኣላ። [5] ኣሶር ሽቦጥ ቍጥዓይ ወይለኡ፡
እቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ በትሪ ኸኣ ኵራይ እዩ። [6] ናብ ረሲእ ህዝቢ ኽሰዶ እየ፡ ኪዘምትን ኪብዝብዝን ከም
ጭቃ ኣደባባይ ከኣ ኪረግጾምንሲ፡ ናብቲ ወለዶ ነድረይ ክእዝዞ እየ። [7] ንሱ ግና ከምኡ ኣይመስሎን፡
ልቡውን ከምኡ ኣይሐስብን እዩ፡ ኣብ ልቡስ ምጥፋእን፡ ንሒደት ዘይኰነ ኣህዛብ ከኣ ምጽናትን እዩ
ዘሎ። [8] ይብል ኣሎ እሞ፡ ኩሎም መሳፍንተይዶ ነገስታት ኣይኰኑን [9] ከልኖዶ ኸም ከርከሚሽ ኣይኰነትን
ሃማትከ ኸም ኣርፋድዶ ኣይኰነትን ሰማርያስ ከም ደማስቆዶ ኣይኰነትን [10] ከምቲ ነቶም ካብ የሩሳሌምን

ካብ ሰማርያን ዚበልጽ፡ ጽሩብ ምስልታት ዝነበሮም መንግስትታት ጣኦታት፡ ኢደይ ዘርከበቶም፡ [11]
ከምቲ ንሰማርያን ንጣኦታታን ዝገበርክዎ፡ ንየሩሳሌምን ንጣኦታታንሲ ኸምኡዶ ኣይክገብርን እየ [12]
እምበኣርሲ ኪኸውን እዩ፡ እግዚኣብሄር ኩሉ ግብሩ ኣብ ከረን ጽዮንን ኣብ የሩሳሌምን ምስ ፈጸመ፡ ነቲ
ፍረ ዕቡይ ልቢ ንጉስ ኣሶርን፡ ንድርቅና እተን ኩሩዓት ኣዒንቱን ክቐጽዕ እየ። [13] ኢሉ እዩ እሞ፡
ኣስተውዓሊ ስለ ዝኾንኩ፡ ብሓይሊ ኢደይን ብጥበበይን ገበርክዎ፡ ንዶብ ህዝብታት ከኣ ኣዝበልክዎ፡
ንመዛግቦም ድማ ዘመትክዎ፡ ከም ጅግናውን ነቶም ኣብ ዝፋን እተቐመጡ ኣውረድክዎም። [14] ኢደይ ከኣ
ንሃብቲ ህዝብታት ከም ቤት ዑፍ ረኸበቶ፡ ከምቲ ንድርቡይ እንቋቝሖ ዚእከቦ፡ ኣነውን ከምኡ ንብዘላ
ምድሪ ኣኪበያ ኣሎኹ እሞ፡ ሓደ እኳ ኽንፉ ዜንገብግብ፡ ወይስ ኣፉ ኸፊቱ ጭቝጭቝ ዚብል
ኣይነበረን። [15] ምሳርሲ ኣብ ልዕሊ እቲ ብእኡ ዚኸርት ዘሎዲ ይጀሀር እዩ መጋዝከ ነቲ ሰሓቢኡ ኺንዕቕ
ኢሉዶ ይዕበየሉ እዩ ሸቦጥሲ ነቶም ዚልዕልዎ መኣዝ እዩ ዘወሳወሶም በትሪኸ ነቲ ዘይዕንጸይቲ መኣዝ
እዩ ሓፍ ዘበሎ [16] ስለዚ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ናብቶም ህጣራታቱ ዕብራን ኪሰድድ እዩ፡
ብትሕቲ ኽብሩውን፡ ከም ምብራዕ ሓዊ ገይሩ፡ ባርዕ ኬባርዕ እዩ፡ [17] እቲ ብርሃን እስራኤልሲ ሓዊ፡
ቅዱሱ ድማ ሃልሃልታ ኪኸውን እዩ፡ ንእሾኹን ተኹርባኡን ከኣ ኣንዲዱ ብሓንቲ መዓልቲ ኺበልዖ
እዩ። [18] ንኽብሪ ዱሩን ፈራዩ ግርሁኡን ካብ ነፍሲ ኽሳዕ ስጋ ኼጥፍኦ እዩ፡ ከምቲ ምምህማን ብሕማም
ዝማሰነ ሰብ ኪኸውን እዩ። [19] እቲ ኻብ ዱሩ ዝተረፈ ኣእዋም ከኣ፡ ቈልዓ እኳ ኺሳዕ ዚጽሕፎ፡ ቍጽሪ
ሒደት ኪኸውን እዩ። [20] በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኪኸውን እዩ፡ እቶም ካብ እስራኤል ዝተረፉን እቶም
ዘምለጡ ናብ ቤት ይእቆብን ብሓቂ ኣብ እግዚኣብሄር፡ ኣብቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ኪጽግዑ እዮም
እምበር፡ ድሕሪ ደጊምሲ ኣብቲ ወቓዒኦም ኣይኪጽግዑን እዮም። [21] እቲ ትራፍ፡ እቲ ኻብ ያእቆብ
ዝተረፈ፡ ናብቲ ብርቱዕ ኣምላኽ ኪምለስ እዩ። [22] ዎ እስራኤል፡ ህዝብኻ ኸም ሑጻ ባሕሪ እኳ እንተ
ኾነስ፡ ተረፍ ጥራይ ኪምለስ እዩ፡ ጥፍኣት ምዱብ እዩ፡ እዚውን ንጽድቂ ኼውሕዞ እዩ። [23] ስለዚ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ ማእከል ኲላ ምድሪ ምዱብ ጥፍኣት ኪፍጽም እዩ። [24] ስለዚ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል፡ ኣታ ኣብ ጽዮን እትነብር ዘሎኻ ህዝበይ፡ ኣሶርሲ ምንም
እኳ ብስላዕ እንተ ወቕዓካ፡ ከምቲ ኣዋቓቕዓ ግብጺ በትሩ እንተ ኣልዐለልካ፡ ኣይትፍርሃዮ። [25] ቅሩብ ጊዜ
እምበር እቲ ኹራ ኺወዳእ፡ ቍጥዓይ ከኣ ንጥፍኣቶም ኪምለስ እዩ። [26] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት
ድማ፡ ከምቲ ኣብ ከውሒ ሆሬብ ንሚድያን ዝወቕዓ፡ ጭጉራፍ ኬልዕለሉ እዩ፡ በትሪ ኸኣ ኣብ ልዕሊ
ባሕሪ ኪኸውን እዩ፡ ከምቲ ኣብ ግብጺ ዝገበሮውን ኬልዕሎ እዩ። [27] በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኪኸውን
እዩ፡ ጾሩ ኻብ መንኩብኻ፡ ኣርዑቱ ድማ ካብ ክሳድካ ኺወርድ እዩ። እቲ ኣርዑትውን ካብ ስብሒ
እተላዕለ ኺስበር እዩ። [28] ናብ ዓያት ይመጽእ፡ ብሚግሮን ይሐልፍ፡ ኣብ ሚኽማሽ ኣቓሕኡ የንብር
ኣሎ። [29] ብኽሳድ ይሐልፉ፡ ኣብ ጌባ ኸኣ ማሕደሪኦም ይገብሩ ኣለው። ራማ ራዕራዕ ትብል፡ ናይ ሳኦል
ጊብዓ ድማ ትህደም ኣላ። [30] ኣቲ ጓል ጋሊም፡ ዓው ኢልኪ ኣእውዪ፡ ዎ ላይሻ፡ ጽን በሊ፡ ኣናቶት ከኣ
ይወኣነይቲ። [31] ማድሜና ትህድም፡ ሰብ ጌቢም ከኣ ከብቶም የህድሙ። [32] በዛ መዓልቲ እዚኣ ኣብ ኖብ
ይውዕል፡ ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኸረን ጓል ጽዮን፡ ኣብ ኩርባ የሩሳሌም የዋጣውጥ ኣሎ። [33] እንሆ፡
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ንጨናፍር ብዜሰክሕ ሓይሊ ይሰልዮም፡ እቶም ነዊሕ ዝቚመቶም
ይቝረጹ፡ እቶም ልዑላት ከኣ ለጠቕ ይብሉ ኣለው። [34] ነቲ ዕሙር ዱር ብሓጺን የብርሶ፡ ሊባኖስ ከኣ
ብኢድ እቲ ስልጡን ይወድቕ።

# ምዕራፍ 11

1 ካብቲ ኸሩት ጉንዲ እሰይ ከኣ ሓደ ጠጥዒ ኺጭብጭብ እዩ፡ ሓደ ጨንፈርውን ካብ ሱሩ ፍረ ኺፈሪ
እዩ። 2 ኣብ ልዕሊኡ ድማ መንፈስ እግዚኣብሄር፡ መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን መንፈስ ምኽርን ሓይልን፡
መንፈስ ፍልጠት እግዚኣብሄርን ፍርሃቱን ኪዐርፍ እዩ። 3 ታሕጓሱ ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር እዩ፡ ዓይኑ
ኸም እትርእዮ ኣይኪፈርድን፡ እዝኑ ኸም እትሰምዖ ኸኣ ኣይኪብይንን እዩ። 4 ግናኸ ንድኻታት ብጽድቂ
ኺዳኑ፡ ነቶም ዓቃላት ምድሪ ኸኣ ብቕንዕና ኺብይን፡ ብበትሪ ኣፉ ንምድሪ ኺወቕዓ፡ ብመንፈስ
ከናፍሩ ድማ ንረሲኣን ኪቐትሎም እዩ። 5 ጽድቂ ኸኣ ቅናት ሕቑኡ፡ እምንነትውን ማዕጥቕ ምሕኩልቱ
ኪኸውን እዩ። 6 ተኹላ ምስ ዕየት ኪሰፍር፡ ነብሪ ኸኣ ምስ ማሕስእ ኪድቅስ፡ ምራኸን ኲርኲር
ኣንበሳን ሰባብሕትን ሐቢሮም ኪውዕሉ፡ ንእሽቶ ወዲውን ኪጓስዮም እዩ። 7 ላምን ድብን ብሓደ ወፈረን
ኪበልዓ፡ ወለልደን ከኣ ብሓደ በጥ ኪብሉ እዮም፡ ኣንበሳውን ከም ብዕራይ ሓሰር ኪበልዕ እዩ። 8
ዚጠቡ ሕጻን ኣብ ጥቓ እንዳ ተመን ኪጻወት፡ እቲ ጡብ ሕዳግ ድማ ኢዱ ናብ ጉድጓድ ከይሲ
ኺዝርግሕ እዩ። 9 ከምቲ ማያት ንመዓሙቑ ባሕሪ ዜጕልብቦ፡ ምድሪ ብፍልጠት እግዚኣብሄር
ክትመልእ እያ እሞ፡ ኣብ ኲሉ እቲ ቅዱስ ከረነይ ሓደ እኳ እከይን ጉድኣትን ዚገብር ኣይኪህሉን እዩ።
10 በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፡ ኣህዛብ ነቲ ንህዝብታት ሰንደቕ ዕላማ ኪኸውን እተተኽለ ጠጥዒ
ሱር እሰይ ኪደልዩ እዮም፡ ማሕደሪኡ ኸኣ ክቡር ኪኸውን እዩ። 11 በታ መዓልቲ እቲ ኪኸውን እዩ፡
እግዚኣብሄር ነቲ ኻብ ኣሶርን ካብ ግብጽን ካብ ጳጥሮስን ካብ ኢትዮጵያን ካብ ኤላምን ካብ ሲንኣርን
ካብ ሃማትን ካብ ደሴታት ባሕርን ተሪፉ ዘሎ ትራፍ ህዝቡ ምእንቲ ኺጥርዮስ፡ ከም ብሓድሽ ካልኣይ
ሳዕ ኢዱ ኺዝርግሕ እዩ። 12 ነህዛብ ከኣ ሰንደቕ ዕላማ ኺተኽለሎም፡ ነቶም ካብ እስራኤል እተሰጉ ድማ
ኪእክቦም፡ ነቶም ካብ ይሁዳ ፋሕ ዝበሉውን ካብ ኣርባዕተ መኣዝን ምድሪ ኺኣኻኽቦም እዩ። 13 ቅንኢ
ኤፍሬም ኪርሕቕ እዩ፡ ጸላእቲ ይሁዳ ኸኣ ኪጸንቱ እዮም። ኤፍሬም ንይሁዳ ኣይኪቕንኣሉን፡ ይሁዳ
ድማ ንኤፍሬም ኣይከጨንቖን እዩ። 14 ኣብ መንኲብ ፍልስጥኤማውያን ንምዕራብ ኣቢሎም ኪነፍሩ፡
ብሓደ ኾይኖም ድማ ንደቂ ምብራቕ ኪዘምቱ፡ ኣብ ልዕሊ ኤዶምን ሞኣብን ኢዶም ኬውድቑ እዮም፡
ደቂ ዓሞን ከኣ ኪእዘዝዎም እዮም። 15 እግዚኣብሄር ድማ ንልሳን ባሕሪ ግብጺ ኼንቅጾ እዩ፡ ብብርቱዕ
ንፋሱ ኸኣ ንኢዱ ኣብ ልዕሊ እቲ ርባ ኼዋጣውጦ፡ ሾብዓተ ኸሳዕ ዚኸውን ድማ ነቲ ርባ ኺወቕዖ እዩ፡
ሳእኒ ኣእቲኻ ኸም ዚስገርውን ኪገብሮ እዩ። 16 ከምቲ ንእስራኤል በታ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዝወጹላ
መዓልቲ ዝኾነሎም፡ ከምኡውን ነቲ ኻብ ኣሶር ተሪፉ ዘሎ ትራፍ ህዝቢ ጽርግያ ኪኸውን እዩ።

## ምዕራፍ 12

1 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ክትብል ኢኻ፡ ጐይታየ፡ ተቘጢዕካኒ ነበርካ፡ ግናኸ ቍጥዓኻ ተመሊሱስ
ኣጸናኒዕካኒ ኢኻ እሞ፡ ኤመስግነካ ኣሎኹ። 2 እንሆ፡ ኣምላኽሲ ምድሓነይ እዩ፡ እእመን ኣይፈርህን ድማ
እየ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሓይለይን መዝሙረይን እዩ እሞ፡ ንሱ ምድሓነይ ኰነ። 3 ካብ ዔላታቱ
ምድሓን ከኣ ብደስታ ማይ ክትቀድሑ ኢኹም። 4 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ክትብሉ ኢኹም፡
ንእግዚኣብሄር ኣመስግኑ፡ ንስሙ ጸውዑ፡ ግብሩ ኣብ ኣህዛብ ኣፍልጡ፡ ስሙ ልዑል ከም ዝኾነ ንገሩ።
5 ግሩም ነገር ገይሩ እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ዘምሩ፡ እዚ ኣብ ኲላ ምድሩ ይፈለጥ። 6 ኣቲ ኣብ ጽዮን
እትነብሪ፡ ናይ እስራኤል ቅዱስ ኣብ ማእከልኪ ዓብዪ እዩ እሞ፡ ተሐጐስን እልል በልን።

## ምዕራፍ 13

1 ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ብዛዕባ በቢሎን ዝረኣዮ ጾር። 2 ሰንደቕ ዕላማ ኣብ ነዊሕ ከረን ትኸሉ፡ ዓው
ኢልኩም ኣድህዩሎም፡ ብደገ መሳፍንቲ ኺኣትው ኸኣ ብኢድ ኣመልክቱ። 3 ነቶም እተቐደሱለይ
ኣዚዘዮም፡ ንጀጋኖይ፡ ነቶም ብኽብረይ እልል ዚብሉ፡ ንምፍጻም ቍጥዓይ ጸዊዔዮም ኣሎኹ። 4 ድምጺ
ወኻዕታ ኸም ናይ ዓብዪ ህዝቢ ኣብ ኣኽራን ኣሎ። ድምጺ እቶም እኩባት መንግስትታት ኣህዛብ
ንሰራዊት ኪስለፉ ይእዝዞም ኣሎ። 5 እግዚኣብሄርን ኣጽዋር ኵራኡን፡ ንኹላ ምድሪ ምእንቲ ኼጥፍኡስ፡
ካብ ርሑቕ ሃገር፡ ካብ ወሰን ሰማይ ይመጹ። 6 መዓልቲ እግዚኣብሄር ቀሪባ ኣላ፡ ከም ጥፍኣት ኰይና
ኻብቲ ኹሉ ዚኽእል ክትመጽእ እያ እሞ፡ ብኸዩ። 7 ስለዚ ኢድ ዘበለ ዘርጋሕጋሕ ኪብል፡ ኵሉ ልቢ
ሰብ ኪመክኽ እዩ። 8 ኪስምብዱ፡ ቃንዛን ሓዘንን ኪሕዞም እዩ፡ ከም እትወልድ ሰበይቲ ኼቕለልው፡
ተገሪሞም ነንሓድሕዶም ኪጣማመቱ እዮም፡ ገጾም ከም ገጽ ሃልሃልታ እዩ። 9 እንሃ፡ መዓልቲ
እግዚኣብሄር ንምድሪ ኸተባድማ፡ ነቶም ኣብኣ ዚነብሩ ሓጥኣን ድማ ከተብርሶም፡ ብቑጥዓን ብርሱን
ነድርን መሰክሒት ኰይና ትመጽእ ኣላ። 10 ከዋኽብትን ብርሃኖም ኣይኬብርሁን እዮም፡ ጸሓይ ክትበርቕ
ከላ ኽትጽልምት እያ፡ ወርሒ ኸኣ ብርሃና ኣይከተብርህን እያ። 11 ንዓለም ስለ ኽፍኣታ፡ ንረሲኣን ድማ
ስለ ኣበሳኦም ክቐጽዖም እየ፡ ንድርቅና ትዕቢተኛታት ከኣ መወዳእታ ኽገብረሉ፡ ንኹርዓት እቶም
ገፋዕቲውን ከዋርዶ እየ። 12 ንሰብ ካብ ጽሩይ ወርቂ፡ ኤር ኻብቲ ወርቂ ኦፊር ዝከበረ ኽገብሮ እየ። 13
ስለዚ ንሰማያት ከንቀጥቅጦ እየ፡ ምድሪ ኸኣ ብቑጥዓ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ብመዓልቲ ርሱን
ነድሪ ኻብ ስፍራኣ ኽትናወጽ እያ። 14 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ከም እተሀድነት እራብን፡ ኣካቢ ኸም ዜብሉ
መጓሰን ኰይኖም፡ ነፍሲ ወከፍ ናብ ሄህዝቡ ኺምለስ፡ ነፍሲ ወከፍ ናብ ሃሃገሩ ኺሀድም እዩ። 15
እተረኽበ ዘበለ ኺውጋእ፡ እተታሕዘ ኹሉ ኸኣ ብሴፍ ኪወድቕ እዩ። 16 ሕጻውንቶም ኣብ ቅድሚ
ኣዒንቶም ኪጭፍለቑ እዮም፡ ኣባይቶም ኪብዝበዝ እዩ፡ ኣንስቶም ድማ ኪንውራ እየን። 17 እንሆ፡ ነቶም
ግዲ ብሩር ዜብሎም፡ ንወርቂ ኸኣ ዘይብህግዎ ሜዶናውያን፡ ኣብ ልዕሊኦም ከተንስኦም እየ። 18
መንትጎም ነኊባዝ ኬውድቖም እዩ፡ ንፍረ ማሕጸን ኣይኪምሕሩን እዮም፡ ኣዕንቶም ከኣ ንቈልዑ
ኣይኪድንግጻሎምን እየን። 19 ባቢሎን፡ ጌጽ መንግስትታት፡ ናይ ከለዳውያን ዕቡይ ስልማት፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር ንሶዶምን ጎሞራን ዘፍረሰን ክትከውን እያ። 20 ሰብ ኣብኣ ንዘለኣለም ኣይኪሰፍርን እዩ፡
ንውሉድ ወለዶ ኸኣ ማሕደር ሰብ ኣይክትከውንን እያ። ዓረብ ኣብኣ ድንኳን ኣይኪተክልን እዩ፡ ጓሶት
ድማ መጓሲኦም ኣይከስፍሩላን እዮም። 21 ግናኸ ኣራዊት በረኻ ኣብኣ ኺሰፍሩ እዮም፡ ኣባይታ ጕንጓታት
ኪመልእ እዩ፡ ሰገን ኣብኣ ኺነብራ እየን፡ ኣጋንንቲውን ኣብኣ ኺሰራሰሩ እዮም። 22 ኣኽላባት በረኻ ኣብ
ኣደራሻታ፡ ወኻሩ ድማ ኣብቲ ጽቡቕ ግምብታታ ኺንቅው እዮም። ጊዜኣ ቐሪቡ እዩ፡ መዓልትታታውን
ኣይኪድንጒያን እየን።

# ምዕራፍ 14

1 እግዚኣብሄር ንያእቆብ ኪምሕሮ እዩ እሞ፡ ከም ብሓድሽ ንእስራኤል ኪሐርዮም፡ ኣብ ሃገሮም ድማ
ኬቕሞም እዩ። ማእከላይ ዓሌት ኪጽምበርዎም፡ ኣብ ቤት ያእቆብውን ኪለግቡ እዮም። 2 እቶም
ህዝብታት ሒዞም ናብ ቦታኦም ኪወስድዎም እዮም፡ ቤት እስራኤል ድማ ግዙኣትን ኣግራድን ገይሮም
ኣብቲ ምድሪ እግዚኣብሄር ገንዘቦም ኪገብርዎም እዮም። ነቶም ማረኽቶም ኪማርኹ፡ ነቶም ገፋዕቶም
ድማ ኪገዝኡ እዮም። 3 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ እግዚኣብሄር ካብ ጻዕርኻን ካብ መከራኻን ካብቲ ኣብኡ
ኣእትዮምኻ ዝነበሩ ጽኑዕ ባርነትን ምስ ዜዕርፈካ መዓልቲ፡ 4 ሽዑ ኣብ ልዕሊ ንጉስ ባቢሎን ከምዚ ኢልካ

ኸትምስል ኢኻ፡ ከመይ ኢሉ እቲ ጨቋኒ ተወዲኡ ኤረ እቲ ግፍዒኸ ኸመይ ኢሉ ተወዲኡ 5
እግዚኣብሄር ንበትሪ ረሲኣን፡ ነቲ ዘንጊ ገዛእቲ፡ ሰበሮ። 6 ነቲ ንህዝብታት ብቝጥዓ ኸየቋረጸ ዘወቕዖም፡
ነቲ ብኹራን ዓጋቲ ብዜብሉ ምስጓጉን ነህዛብ ዝገዝኤ ዘንጊ ሰበሮ። 7 ኩላ ምድሪ ዐሪፋ ሀዲኣ ኣላ፡
ሰብውን እልል ይብሉ ኣለው። 8 ጽሕድታትን ኣእዋም ሊባኖስን እኳ፡ ንስኻ ኻብ እትወድቕ ጀሚሩ
ኪቘርጸና ዝደየበ የልቦን፡ እናበሉ ብዛዕባኻ ይሕጐሱ ኣለው። 9 እቲ ታሕቲ ዘሎ ሲኦል ክትመጽእ ከሎኻ
ኺቀባበለካ ኢሉ ብኣኻ የዕገርግር፡ ንድኤታትን ንኹሎም ስልጡናት ምድርን የበራብረልካ፡ ንኹሎም
ነገስታት ኣህዛብ ካብ ዝፋውንቶም የተንስኦም። 10 ኲላቶም ከኣ፡ ንስኻውንዶ ኸማና ሐሚቕካ ንስኻኸ
ንኣናዶ መሲልካ ኢሎም ኪመልሱልካ እዮም። 11 ክብረትካን ቃና መሰንቆታትካን ናብ ሲኦል ወሪዱ፡
መንጸፍካ ሓሳኹ፡ መደረብታኻ ድማ ሓሳኹ እዮም። 12 ኣየ፡ ኣታ ብሩህ ኮኾብ ወዲ ወጋሕታ፡ ከመይ
ኢልካ ኻብ ሰማይ ወደቕካ፡ ንስኻ ነህዛብ ዘውደቕካስ፡ ከመይ ኢልካ ናብ ምድሪ ተደርቢኻ። 13 ንስኻስ
ብልብኻ፡ ናብ ሰማይ ክድይብ፡ ንዝፋነይ ኣብ ልዕሊ ኸዋኽብቲ ኣምላክ ልዕል ከብሎ፡ ኣብ ወሰን ሰሜን
ኣብ ልዕሊ ኸረን ማሕበር ክቕመጥ እየ። 14 ኣብ ልዕሊ ርእሲ ደበናታት ክድይብ፡ ነቲ ኣዝዩ ልዑል
ክመስል እየ፡ በልካ። 15 ኣይፋልካን፡ ናብ ሲኦል፡ ናብቲ መዓሙቕ ጒድጓድ ደኣ ኽትድርበ ኢኻ። 16-17
ዚርእዩኻ ይጥምቱኻን የስተብህሉልካን እሞ፡ እቲ ንምድሪ ዜንቀጥቅጣን ንመንግስትታት ራዕራዕ
ዜብለንን፡ እቲ ንዓለም ዘባደማን ንኸተማታታ ዘፍረሰን ንምሩኻቱ ኸኣ ናብ ቤቶም ኪምለሱ
ዘይፈትሖም ሰብኣይዶ እዚ እዩ ይብሉ ኣለው። 18 ኲሎም፡ ነገስታት ኣህዛብ፡ ብዘለው ኹሎም፡ ኣብ
በቤቶም ብኽብሪ በጥ ኢሎም ኣለው፡ 19 ንስኻ ግና በቶም ብሰይፊ እተወግኡን ናብ ናይ ጋህሲ ኣእማን
ዝወረዱን ቅቱላት እተኸደንካ፡ ከም እተረግጸ ገምቢ፡ ከም ፍንፉን ጨንፈር ኴንካ፡ ርሑቕ ካብ
መቓብርካ ተደርቢኻ። 20 ንስኻ ንምድርኻ ኣጥፊእካያ፡ ንህዝብኻ ቐቲልካዮ ኢኻ እሞ፡ ኣብ መቓብር
ምሳታቶም ኣይክትጽምበርን ኢኻ። ዘርኢ ገበርቲ እከይ ንዘለኣለም ኣይኪስመን እዩ። 21 ከይትንስኡ
ንምድሪ ኸኣ ከይወርሱ፡ ንዝባን ዓለም ድማ ብኸተማታት ከይመልእዋ፡ ብሰሪ ሓጢኣት ኣቦታቶም
ንውሉድ ማሕረዲ ኣዳልው። 22 ኣነ ኽትንስኦም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ስምን ትርፍን
ወድን ወዲ ወድን ካብ ባቢሎን ከጽንት እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 23 ማሕደር ቕንፍዝን ዓዘቕትን
ክገብራ፡ ብመኾስተር ጥፍኣት ድማ ክኹስትራ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 24
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ኢሉ መሐለ፡ ብሓቂ ኸምቲ ዝሐሰብክዎ ኪኸውን፡ ከምቲ
ዝመደብክዎውን ኪቘውም እዩ። 25 ንኣሶር ኣብ ሃገረይ ክሰባብሮ፡ ኣብ ኣኽራነይ ድማ ኽረግጾ እየ፡ ሽው፡
ኣርዑቱ ኻባታቶም ኪውሰድ፡ ጾሩውን ካብ መንኩቦም ኪውሰድ እዩ። 26 ኣብ ልዕሊ ኹላ ምድሪ
ዝመደብክዎ ምኽሪ እዚ እዩ፡ ኣብ ልዕሊ ኹሎም ኣህዛብ እተዘርግሔት ኢድ እዚኣ እያ። 27
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት መዲብዎ እዩ እሞ፡ መን ከንቱ ይገብሮ ኢዱ ተዘርጊሓ ኣላ፡ መንከ ይመልሳ
28 በታ ንጉስ ኣሃዝ ዝሞተላ ዓመት እዚ ጾር እዚ ኾነ፡ 29 ካብ ሱር ተመንሲ ኸይሲ ኺወጽእ እዩ፡ ፍሬኡ
ኸኣ ዚነፍር ርሱን ተመን ኪኸውን እዩ እሞ፡ ኣቲ ፍልስጥኤም ብዘሎኺ፡ እቲ ዝወቕዓኪ ሸቦጥ ስለ
እተሰብረ ኣይትተሐጐሲ። 30 በኹሪ እቶም ድኻታት ኪጓስዩ፡ ሽጉራት ከኣ ሀዲኦም ኪሰፍሩ እዮም።
ንሱርኪ ግና ብጥሜት ክቐትሎ እየ፡ ትርፍኺ ድማ ኪሐረድ እዩ። 31 ትኪ ኻብ ሰሜን ይመጽእ፡ ካብ
ሰራዊቱ ኸኣ ንበይኑ ዚተርፍ የልቦን እሞ፡ ኣታ ደገ፡ ዋይዋይ በል፡ ኣቲ ኸተማ፡ ኣእውዩ፡ ብዘሎኺ
ፍልስጥኤም ከኣ፡ ምኸኺ። 32 ንልኡኻት ህዝብኻ እንታይ ኢሎም ኪመልሱሎም እዮም እግዚኣብሄር
ንጽዮን ከም ዝሰረታ፡ እቶም ሽጉራት ህዝቡ ኸኣ ኣብኣ ጸግዒ ኽም ዚረኽቡ።

# ምዕራፍ 15

1 ጾር ብዛዕባ ሞኣብ። ኣየ፡ ኣር ሞኣብ ብሓንቲ ለይቲ ኸትፖኑን ክትጠፍእን እያ፡ ኣየ፡ ቂር ሞኣብ
ብሓንቲ ለይቲ ኸትፖኑን ክትጠፍእን እያ። 2 ናብ ባይትን ናብ ዲቦንን ኪበኽያ ናብ በረኽቲ ይወጻ ኣለዋ፡
ሞኣብ ኣብ ልዕሊ ኔቦን ኣብ ልዕሊ ሜድባን ኲይና ዋይዋይ ትብል ኣላ፡ ኲሉ ርእሶም ነዃዕ፡ ኲሉ
ጭሕሚ ኸኣ ቀሩጽ እዩ። 3 ኣብ ኣደባባያ ኸዳን ሓዘን ይዕጠቑ፡ ኣብ ኣናሕሳን ኣብ ዕዳጋኣን ዋይዋይ
እናበሉ ንብዓት የውሕዙ። 4 ሄስቦንን ኤልዓለን የእውያ፡ ድምጸን ክሳዕ ያሓጽ ይስማዕ፡ ስለዚውን ናይ
ማኣብ ተዋጋእቲ የእውዩ፡ ነፍሱ ኣብ ውሽጡ ተንቀጥቅጥ ኣላ። 5 ልበይ ንሞኣብ ይበኽየላ ኣሎ፡ እቶም
ህዱማታ ኽሳዕ ጾኣር፡ ናብ ኤግላት ሽሊሽያ ይሀድሙ፡ ንዓቐበት ሉሂት እናበኸዩ ይድይብዎ፡ ኣብቲ ናይ
ሆሮናይም ዚወስድ መገዲውን ኣውያት ጥፍኣት ይተኽሉ ኣለው። 6 ማያት ኒምሪም ነጺፉ እዩ እሞ፡ ሳዕሪ
ነቒጹ፡ ለቕሚ ቐምሰለ፡ ለምዒ የልቦን። 7 ስለዚ ነቲ ዘትረፍዎን ነቲ ዝዐቘርዎን ብርባ ዕቦል ኬሳግርዎ
እዮም። 8 ንዶባት ሞኣብ ኣውያት ከበቦ፡ ብኽያታ ኽሳዕ ኤግላይም፡ ብኽያታውን ክሳዕ ብኤር ኤሊም
በጽሔ። 9 ማያት ዲሞንሲ ደም መሊኡ ኣሎ፡ ኣብ ዲሞን ዝገደደ ኽውስኽ እየ እሞ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም
ዘምለጡ ሰብ ሞኣብን ኣብ ልዕሊ ተረፍ እቲ ሃገርን ኣንበሳ ኽሰድድ እየ።

# ምዕራፍ 16

1 ገናሽል ናብቲ ገዛእ ሃገር ካብ ሴላ ብበረኻ ኣቢልኩም ናብ ከረን ጓል ጽዮን ስደዱ። 2 ከም ዚሀድማ
ኣዕዋፍ፡ ከም ካብ ቤተን እተሰጓ ወለሊድ ዑፍ፡ ኣዋልድ ሞኣብ ኣብ መሳገሪ ኣርኖን ከምኡ ኪኾና
እየን። 3 ምኽሪ ምኽሪ፡ ፍርዲ ፍርዲ፡ ቀትሪ ኸሎ ንጽላሎትኪ ኸም ለይቲ ግበርዮ፡ ንስጉጓት ሕብኢ፡
ንህዱማት ኣይትግለጺ። 4 እቲ ጠዋዩ ጠፊኡ፡ ምዝማት ከኣ ተወዲኡ፡ ጨቈንቲ ሃገርውን ህልም ኢሎም
እዮም እሞ፡ ዎ ሞኣብ፡ ንስጉጓተይ ምሳኺ ኣስፍርዮም፡ ካብ ቅድሚ እቲ ዘማቲ ኸውሊ ኹንዮ። 5
ዝፋኑን ብምሕረት ኪትከል፡ ኣብኡውን ዚፈርድን ቅንዕና ዚደልን ጽድቂ ንምግባር ዚፈጥንን ብሓቂ ኣብ
ድንኳን ዳዊት ኪቕመጥ እዩ። 6 ብዛዕባ ትዕቢት ሞኣብ፡ እዛ ኣዝያ ዕብይቲ፡ ብናይ ኲርዓታ፡ ምብርጣጣ፡
ቍጥዓኣ፡ ከንቱ ዝኾነ ጃህርኣ ሰማዕና። 7 ስለዚ ሞኣብ ንሞኣብ ዋይዋይ ክትብለላ እያ፡ ኲላቶም
ዋይዋይ ኪብሉ እዮም፡ ብዛዕባ ናይ ቂር ሓሬሴት ጎነ ዘቢብ ኣስቈርቍርኩም ክትበኽዩ ኢኹም። 8
ግርሁ ሄስቦንን ኣትክልቲ ወይኒ ሲብማን ጸምልዩ ኣሎ። እተን ክቡራት ተኽልታታ ጨናፍረን
ኣስፉሕፊሑ፡ ክሳዕ ያዕዜር በጺሑ፡ ኣብ በረኻ ወፊሩ፡ ባሕሪ ተሳጊሩ ዝነበረስ፡ እቶም ጐይተት ኣህዛብ
ሰበርወን። 9 ስለዚ ንተኽሊ ወይኒ ሲብማ ብኽያት ያዕዜር እበኽየሉ ኣሎኹ፡ ኣብ ፍረ ሓጋይኪ፡ ኣብ
ቀውዕኺ ናይ ውግእ ጭድርታ ወዲቑ እዩ እሞ፡ ዎ ሄስቦን፡ ንኣኺውን እልዓለ፡ ብንብዓተይ ኤተርድሰኪ
ኣሎኹ። 10 ሓጐስን ተድላን ካብቲ ፈራዪ ግርሁ ተወሲዱ፡ ኣብ ኣታኽልትታት ወይኒ ኸኣ ደርፍን
እልልታን የልቦን፡ ኣብ መሓምተሊ ሓደ እኳ ወይኒ ዚረግጽ ረጋጺ የልቦን። ንጭድርታ ሓጐስሲ
መወዳእታ ገይረሉ እየ። 11 ስለዚ ኣምዑተይ ብናይ ሞኣብ፡ ውሽጠይውን ብዛዕባ ቂር ሄሬስ ከም
መሰንቆ ይቕዝም ኣሎ። 12 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ሞኣብ ኣብቲ በሪኽ መጺኡ እንተ ጸዐረ፡ ኣብ መቕደሱ
ኺጽሊ እንተ ኣተወ፡ ገለ እኳ ዜስልጦ የብሉን። 13 እግዚኣብሄር ብናይ ሞኣብ ቀደም እተዛረቦ ቓል እዚ
እዩ። 14 ሕጂ ኸኣ እግዚኣብሄር፡ ከም ቍጽሪ ዓመት ዓስቢ ዓሳብ፡ ብሰለስተ ዓመት ክብሪ ሞኣብ ምስናይ
ብዝሒ ህዝቡ ኺዋረድ እዩ፡ እቲ ዝተረፈውን ኣዝዩ ሒደትን ጥቑዕን ኪኸውን እዩ፡ ኢሉ ተዛረበ።

# ምዕራፍ 17

[1] ጾር ብዛዕባ ደማስቆ። እንሆ፡ ደማስቆ ከተማ ኻብ ምዃን ክትተርፍ፡ ዖና ዃና ኽትከውን እየ። [2]
ከተማታት ኣሮኤር ተሐዲገ፡ ብዘይ ፍርሃት ዚነብራሉ፡ መውፈር መጓሴታት ኪኸውን እዩ። [3] እምባ ኻብ
ኤፍሬም፡ መንግስቲ ኸኣ ካብ ደማስቆ፡ ትርፊ ሶርያውን ኪጠፍእ እዩ። ከም ክብሪ ደቂ እስራኤል
ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [4] በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፡ ክብሪ ያእቆብ
ኪውሕድ፡ ህጥራን ስጋኡውን ኪዐብር እዩ። [5] ከምቲ ዓጻዳይ ነቲ ደው ኢሉ ዘሎ እኽሊ ዚጭምርሮ፡
ብቕልጽሙ ኸኣ ነቲ ወረን ዚዐጽዶ ኪኸውን እዩ፡ ከምቲ ኣብ ለሰ ረፋይም ንወረን ዚቕርምዎ ድማ
ኪኸውን እዩ። [6] ግናኸ ከምቲ ኣውልዕ ምስ ተነዝነዘ፡ ኣብ ጫፍ እቲ ላዕላይ ጨናፍሩ ኽልተ ወይስ
ሰለስተ ፍረ፡ ኣብቲ ጨናፍር ፍርያም ኦም ከኣ ኣርባዕተ ወይስ ሓሙሽተ ኽም ዚተርፍ፡ ኣብኡ ሒደት
ቀሪም ኪተርፍ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል። [7] በታ መዓልቲ እቲኣ ሰብ ናብ ፈጣሪኡ
ግልጽ ኪብል፡ ኣዒንቱ ኸኣ ናብቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ኪርእያ እየን። [8] ናብቲ ብኢዱ ዝሰርሖ መሰውኢ
ግልጽ ኣይኪብልን፡ ናብቲ ኣጻብዑ ዝገበራኦ ኣስታርቴታት ወይስ ናብ ሓወልቲ ጸሓይ ኣይኪጥምትን
እዩ። [9] በታ መዓልቲ እቲኣ እተን ጽኑዓት ከተማታቱ፡ ከምቲ ብምኽንያት ደቂ እስራኤል እተሓድገ
ቦታታት፡ ዱርን ርእሲ ኣኽራንን ኪኾና እየን፡ ኪባድማ ድማ እየን። [10] ንኣምላኽ ምድሓንኪ ስለ
ዝረሳዕኪ፡ ንኸውሒ ሓይልኺውን ስለ ዘይዘከርኪ፡ ስለዚ ባህ ዜብል ኣትክልቲ ትተኽሊ፡ ጋሻ ዝኾነ
ሓረግ ወይኒውን ተፍልሲ ኣሎኺ። [11] በታ ዝተኸልክላ መዓልቲ ትሐጽርዮ፡ ኣንጊህኪ ኸኣ ንዘርእኺ
ተዐንብብዮ፡ ግናኸ ቀውዒ ብመዓልቲ መዓትን መሪር ስቓይን ይመልቕ። [12] ኣየ፡ ህማም ብዙሕ
ህዝብታት፡ ከም ህማም ባሕሪ ይህምም ኣሎ፡ ኣህዛብ ከም ድዋሕዋሕ ብርቱዕ ማያት ድዋሕዋሕ ይብሉ
ኣለው። [13] ኣህዛብ ከም ድዋሕዋሕ ብዙሕ ማያት ድዋሕዋሕ ይብሉ ኣለው፡ ግናኸ ንሱ ይገንሖም፡
ኣርሒቖም ከኣ ይህድሙ። ከም ብቝቡቝ ኣኽራን ኣብ ቅድሚ ንፋስ፡ ከም ሓሰር ኣብ ቅድሚ ህቦብላ
ይብተኑ። [14] ኣጋ ምሸት እንሆ፡ ስምባድ ይመጽእ፡ ምድሪ ኸይወግሐ ኸኣ የለውን። ግደ እቶም
ዝማረኹና፡ ብጽሒት እቶም ዝዘመቱና እዚ እዩ።

# ምዕራፍ 18

[1] ኣየ፡ ኣታ ኣብ ክንየው ርባታት ኢትዮጵያ ዘሎኻ፡ ሃገር እቶም ጅጅ ዚብሉ ኣኽናፍ። [2] ኣታ በተን ኣብ
ልዕሊ ማያት ዚሰፉ መርከብ ሰልሰላ ጌርካ፡ ብባሕሪ ልኡኻት እትልእኽ ሃገር፡ ኣቱም ፈጣናት ልኡኻት
ናብቲ ነዊሕ ዝቕመቱ ልሙጽ ህዝቢ፡ ናብቲ ኻብ መጀመርታ እተፈርሄ ህዝቢ፡ ዚኽፋፍልን ዚረግጽን፡
ሃገሩውን ብርባታት እተመቓቐለ ህዝቢ ኺዱ። [3] ኣቱም ኣብ ዓለም እትነብሩ፡ ኣብ ምድሪ ሰፈርኩም
ዘሎኹም ኲላትኩምውን፡ ሰንደቕ ዕላማ ኣብ ኣኽራን ልዕል ምስ በለ፡ ተመልከቱ፡ መለኸት ምስ
ዚንፋሕ፡ ጽን በሉ። [4] እግዚኣብሄር ከምዚ በለኒ፡ ከም ዳህሪ እቲ ዜንጸባርቕ ጸሓይ፡ ከም ደበና ኣውሊ
ኣብ ረስኒ ቓውዒ፡ ሀዲኤ ኣብቲ ዝነብረሉ ስፍራይ ኰይነ ኽጥምት እየ። [5] ቅድሚ ቓውዒ፡ ጊዜ
ምዕምባብ ምስ ሐለፈ፡ ዕምባባ ኸኣ ኣብ ምብሳል ዘለላ ኣቢሉ ምስ ከደ፡ ንሓረግ ብኻራ ኣታኽልቲ
ወይኒ ገይሩ ኪቖርጾ፡ ነቲ ጫሌዳ ሱር ድማ ኬርሕቖን ኪቘርጾን እዩ። [6] ኲላቶም ሐቢሮም ኣደዳ ኣሞራን
ኣኽራንን ኣራዊት መሮርን ኪኾኑ እዮም፡ ኣሞራታት ከኣ ኣብኦም ኪሐግዩ፡ ኲላቶም ኣራዊት መሮር

ድማ ኣብኦም ኪኸርሙ እዮም። 7 በቲ ጊዜ እቲ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ካብቲ ነዊሕ ዝቝመቱ
ልሙጽ ህዝቢ፡ ካብቲ ኻብ መጀመርታ እተፈርሄ ህዝቢ፡ ካብቲ ዚኸፋፍልን ዚረግጽን፡ ሃገሩውን
ብርባታት እተመቓቐለ ህዝቢ፡ ናብታ ስም እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ዘለዋ ቦታ፡ ናብ ከረን ጽዮን ገጽ
በረኸት ኪቕረብ እዩ።

# ምዕራፍ 19

1 ጾር ብዛዕባ ግብጺ። እንሆ፡ እግዚኣብሄር ብቕልጡፍ ደበና ይወጽእ፡ ናብ ግብጺውን ይመጽእ፡
ጣኦታት ግብጺ ኣብ ቅድሚኡ ራዕራዕ ኪብሉ እዮም፡ ልቢ ግብጺ ኸኣ ኣብ ውሽጣ ኺመክኽ እዩ። 2
ንግብጻውያን ኣብ ግብጻውያን ከተንስኦም እየ፡ ነፍሲ ወከፍ ምስ ሓው፡ ነፍሲ ወከፍ ምስ ብጻዩ፡ ከተማ
ምስ ከተማ፡ መንግስቲ ምስ መንግስቲ ኺዋጋእ እዩ። 3 መንፈስ ግብጺ ኣብ ውሽጡ ጥራዩ ኪኸውን እዩ፡
ንምኽሩ ድማ ከንቱ ኽገብሮ እየ፡ ንሳቶም ከኣ ንጣኦታትን ነስማተኛታትን ንጠንቈልትን ንመውደቕቲ
ዛዕጐልን ኪሓቱ እዮም። 4 ንግብጻውያን ናብ ኢድ ደረቕ ጐይታ ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ፡ ጨካን ንጉስ
ድማ ኪገዝኦም እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 5 ማያት ካብ ባሕሪ ኺጠፍእ፡ ርባውን ነጺፉ
ኺነቕጽ እዩ። 6 ርባታት ኪጽይእ፡ መሳኑ ግብጺ ኺውሕድን ኪደርቕን እዩ፡ ሰልሰላን ጋሳን ኪጽምልው
እዮም። 7 ሸኻታት ኒል፡ ገምገመ ገምገም ኒል ዘሎን፡ ኣብ ጥቓ ኒል ዚዝራእ ዘበለን ኪህጕጕ፡ ኪጠፍእ
ኣይኪርከብን ድማ እዩ። 8 ገፈፍቲ ዓሳ ኼስቈርቍሩ፡ እቶም ኣብ ኒል መቝለብ ዜድርብዩ ዅሎም
ኪሐዝኑ፡ እቶም መርበብ ኣብ ልዕሊ ማያት ዚዝርግሑ ድማ ሕሊናኦም ኪዐርብ እዩ። 9 እቶም ዓየይቲ
እተባዘተ ቓንጫ እንጣጢዕን እቶም ኣለምቲ ጻዕዳ ኽዳውንትን ኪሐፍሩ እዮም። 10 ኣዕኑዳ ኺስበሩ፡
እቶም ብዓስቢ ዚዐዩ ዅሎምውን ኪጕህዩ እዮም። 11 መሳፍንቲ ጾኣን ኣዝዮም ዐሸው፡ ምኽሪ እቶም
ጥበበኛታት መኸርቲ ፈርኦንሲ ዕሽነት ኰነ። ከመይ ኢልኩም ደኣ ንፈርኦን፡ ኣነ ወዲ ጥበበኛታት፡ ወዲ
እቶም ናይ ቀደም ነገስታት እየ፡ እትብልዎ 12 እቶም ጥበበኛታትካ ደኣ ኣበይ ኣለው እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ብናይ ግብጺ ዝመደቦ እንታይ ከም ዝኾነ ይፍለጡ እሞ እስከ ይንገሩኻ። 13 መሳፍንቲ ጾኣን
ዐሸዮም፡ መሳፍንቲ ኖፍ ተጠቢሮም፡ ንግብጺ እቶም እምኒ መኣዝን ዓሌታታ ኣጋገይዋ። 14 እግዚኣብሄር
መንፈስ ዝርግርግ ኵዕዩላ፡ ሰኽር ኣብ ትፋኡ ሰንከልከል ከም ዚብል፡ ንግብጺ ኣብ ኵሉ ተግባራ
ኣጋገይዋ። 15 ዝኾነ ዕዮ፡ ርእሲ ወይስ ጭራ፡ ስየ ወይስ ሰቲ ዚገብሮ፡ ንግብጺ ኣይኪጠቕማን እዩ። 16
በታ መዓልቲ እቲኣ ግብጺ ኸም ኣንስቲ ኽትከውን እያ፡ ብምውጥዋጥ ኢታ እተወጣውጠላ ኢድ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ራዕራዕ ክትብልን ክትስምብድን እያ። 17 ሃገር ይሁዳ ኸኣ ንግብጺ መሰክሒ
ኽትኰና እያ። ነፍሲ ወከፍ ንእኣ ዘዘከርዎ ኸኣ ብምኽንያት እቲ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ
ልዕሊኣ መዲብዎ ዘሎ ምኽሪ ኺሸበር እዩ። 18 በታ መዓልቲ እቲኣ ቛንቋ ኸንኣን ዚዛረባ፡ ብእግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ከኣ ዚምሕላ ሓሙሽተ ኸተማ ኣብ ሃገር ግብጺ ኪርከባ እየን፡ ሓንቲኤን ኢር ሄሬስ
ክትበሃል እያ። 19 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ማእከል ሃገር ግብጺ መሰውኢ ንእግዚኣብሄር፡ ኣብ ወሰና ኸኣ
ዓንዲ ንእግዚኣብሄር ኪትከል እዩ። 20 እዚ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ ሃገር ግብጺ
ምልክትን ምስክርን ኪኸውን እዩ። ብምኽንያት እቶም ጨቈንቶም ናብ እግዚኣብሄር ኪጠርዑ እዮም
እሞ፡ ንሱውን መድሓንን ተኻላኻልን ኪሰደሎምን ኬናግፎምን እዩ። 21 እግዚኣብሄር ርእሱ ንግብጺ
ኺገልጸላ እዩ፡ ግብጻውያን ከኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ንእግዚኣብሄር ኪፈልጥዎ እዮም፡ ብመስዋእቲ
ሕሩድን ብመስዋእቲ ብልዕን ኬገልግልዎ፡ ንእግዚኣብሄር ብመብጽዓ ኺማባጽዑሉ ኺፍጽምዎ ኸኣ

እዮም። 22 እግዚኣብሄር ንግብጺ ኺወቕዓ፡ ኪወቕዓ እሞ ኪፍውሳ እዩ። ንሳቶም ከኣ ናብ እግዚኣብሄር
ኪምለሱ እዮም፡ ንሱ ኺልመነሎምን ኪፍውሶምን እዩ። 23 በታ መዓልቲ እቲኣ ጽርግያ ካብ ግብጺ ናብ
ኣሶር ክትከውን እያ፡ ኣሶራውያን ናብ ግብጺ፡ ግብጻውያን ከኣ ናብ ኣሶር ኪመጹ እዮም። ግብጻውያን
ድማ ምስ ኣሶራውያን ኬምልኹ እዮም። 24 በታ መዓልቲ እቲኣ እስራኤል ንግብጺን ንኣሶርን ሳልሳዮም፡
ኣብ ማእከል ምድሪ ድማ በረኸት ኪኸውን እዩ። 25 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ፡ ግብጺ ህዝበይን
ኣሶር ግብሪ ኢደይን እስራኤል ርስተይን ብሩኻት ኩኑ፡ ኢሉ ኺባርኾም እዩ።

## ምዕራፍ 20

1 በታ ታርታን ናይ ኣሽዶድ ዝመጸላ ዓመት፡ ሳርጎን ንጉስ ኣሶር ምስ ለኣኾ እሞ ንኣሽዶድ ተዋጊኡ ምስ
ሓዘ፡ 2 በቲ ጊዜ እቲ እግዚኣብሄር፡ ብኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ገይሩ፡ ኪድ እሞ ነቲ ማቕ ካብ ሕቘኻ
ፍትሓዮ፡ ኣሳእንካ ድማ ካብ ኣእጋርካ ኣውጽእ፡ ኢሉ ተዛረቦ። ንሱውን ከምኡ ገበረ እሞ ጥራይ ዝባኑን
ጥራይ እግሩን ከደ። 3 እግዚኣብሄር ድማ በለ፡ ከምቲ ኢሳይያስ ባርያይ ኣብ ልዕሊ ግብጺን ኢትዮጵያን
ምልክትን ትእምርትን ኪኸውንሲ፡ ሰለስተ ዓመት ጥራይ ዝባንን ጥራይ እግርን ዝኸደ፡ 4 ከምኡ ንጉስ
ኣሶር ንእሱራት ግብጺን ንምሩኻት ኢትዮጵያን፡ ናእሽቱን ኣረገውትን፡ ጥራይ ዝባኖምን ጥራይ
እግሮምን፡ ስጋኦም ተቐሊዑ ንነውሪ ግብጺ ኺወስዶም እዩ። 5 ንሳቶም ከኣ ብምኽንያት ኢትዮጵያ፡ እቲ
ተስፋኦም፡ ብምኽንያት ግብጺ፡ እቲ ኽብረቶም፡ ኪስምብዱን ኪሓፍሩን እዮም። 6 በታ መዓልቲ እቲኣ
እቶም ኣብ ጥቓ ባሕሪ ዚነብሩ፡ እንሆ፡ ትጽቢትና፡ እቲ ኻብ ንጉስ ኣሶር ኬናግፈናስ ረዲኤት ደሊና
ናብኡ ዝሀደምና እዚ እዩ፡ ንሕና ደኣ ኸመይ ጌርና ኽነምልጥ ኢና ኪብሉ እዮም።

## ምዕራፍ 21

1 ጾር ብዛዕባ በረኻ ባሕሪ። ከምቲ ህቦብላ ንፋስ ካብ ደቡብ ዚለዐል፡ ከምኡ ኸኣ በረኻ፡ ካብቲ ዚፍራህ
ሃገር ይመጽእ። 2 መስከሕ ዝኾነ ራእይ ተገልጸለይ፡ ዓማጻይ ይዕምጽ፡ ማራኻይ ይማርኽ ኣሎ። ኣቲ
ኤላም፡ ደይቢ፡ ዎ ማዳይ፡ ከበቢ፡ ንምስቍርቋር ዘበለ ኹሉ መወዳእታ ኽገብረሉ እየ። 3 ስለዚ ሕቘይ
ቃንዛ መሊእዎ፡ ከምታ ብጻዕሪ እትወልድ ሰበይቲ ኸኣ ጻዕሪ ሒዙኒ፡ ብሰሪ ምዕሉባጥ ምስማዕ ስኢነ፡
ምርኣይ ከሳዕ ዝስእን ድማ ሰምቢደ ኣሎኹ። 4 ልበይ ተመሊሑ፡ ረዓድ ሒዙኒ፡ እቲ ዝብህጎ ዘሎኹ
ጽልግልግ ናብ ምንቅጥቃጥ ተለዊጡኒ። 5 መኣዲ ይዳሎ፡ ሓለውቲ ይሕልው፡ ይብላዕ፡ ይስተ ኣሎ፡
ኣቱም መሳፍንቲ፡ ተንስኡ ዋልታ ልኸዩ። 6 እግዚኣብሄርሲ፡ ኪድ እሞ ሓላዊ ግበር፡ እቲ ዝረኣዮውን
ይንገር፡ በለኒ። 7 ንሱ ኸኣ ጭፍራ ፈረሰኛታት በብኽልተ፡ ጭፍራ ኣእዱግ፡ ጭፍራ ኣግማል ረኣየ፡
ኣጸቢቑ ጽን በለ፡ ተጠንቂቑ ጽን በለ። 8-9 ንሱ ኸኣ፡ ጐይታየ፡ መዓልቲ ብመልኣ ኸየቛረጽኩ ኣብታ
ግምቢ ምሕላው ደው ኢለ፡ ለይቲ ለይቲውን ኣብታ መሓለዊተይ ተተኺለ ኣሎኹ፡ እንሆ ኸኣ ጭፍራ
ሰብ ፈረሰኛታት፡ በብኽልተ ይመጹ ኣለው፡ ኢሉ ኸም ኣንበሳ ጨደረ። ከም ብሓድሽ ድማ፡ በቢሎንሲ
ወዲቓ፡ ወዲቓ፡ ኲሉ ምስልታት ጣኦታት ኣብ ምድሪ ተሰባበረ፡ ኢሊ መለሰ። 10 ኣታ እተኼድካ ወዲ
ዓውደይ፡ ካብ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ዝሰማዕክዎ ነጊረካ እኔኹ። 11 ጾር
ብዛዕባ ዱማ። ካብ ሰዒር፡ ኣታ ሓላዊ፡ ለይቲ እንታይ ጊዜኡ ኰይኑ ኢሉ የድህየኒ ኣሎ። 12 እቲ ሓላዊ
ኸኣ፡ ወግሒ መሰየውን፡ ክትሐቱ እንተ ደሌኹም ሕተቱ፡ መሊስኩም ከኣ ምጹ፡ በለ። 13 ጾር ብዛዕባ

ዓረብ። ኣቱም ቃፍላይ ዴዳን፡ ኣብ ዱር ዓረብ ክትሐድሩ ኢኹም። 14-15 ካብ ኣስያፍ፡ ካብ ምሉሕ
ሰይፊ፡ ካብቲ እተገተረ ቐስቲ፡ ካብ ብርቱዕ ውግእ ሀዲሞም እዮም እሞ፡ ኣቱም ሰብ ቴማ፡ ንጽሙእስ
ማይ ኣምጽኡሉ፡ ንህዱማትውን እንጌራ ሒዝኩም ተቐበልዎም። 16 እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉኒ እዩ እሞ፡
ብዓመት ከምቲ ዓመታት ብዓል ዓስቢ፡ ኲሉ ኽብሪ ቄዳር ኪጠፍእ እዩ፡ 17 እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል እዚ ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ካብ ቍጽሪ መንትግ እቶም ጀጋኑ ደቂ ቄዳር ዚተርፍ ሒደት እዩ።

# ምዕራፍ 22

1 ጾር ብዛዕባ ሽንጭሮ ራእይ። ኲሉ ሰብኪ ናብ ናሕሲ ዚድይብሲ እንታይ ረኺቡኪ እዩ 2 ኣቲ ታዕታዕን
ዕግርግርን ዝመልኣኪ ኸተማ፡ ኣቲ ሕጉስቲ ኸተማ፡ እቶም ቅቱላትኪ ብሰይፊ ኣይተቐትሉን፡ ኣብ
ውግእ ከኣ ኣይሞቱን። 3 ኲሎም መኳንንትኺ ሐቢሮም ሀደሙ፡ ብዘይ መንትግ ተኣሰሩ፡ ኣባኺ
እተረኽቡ ዘበሉ ኹሎም፡ ኣርሒቖም እኳ እንተ ሀደሙ፡ ሐቢሮም ተኣስሩ። 4 ስለዚ ኣምሪረ ኽበክስ
ቍሊሕ ኣይትበሉኒ፡ ብጥፍኣት ጓል ህዝበይ ንምጽንናዕ ኣይትነዝንዙኒ፡ በልኩ። 5 መዓልቲ ዕግርግርን
ረግጽን ተጓእ ምባልን ካብ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኣብ ሽንጭሮ ራእያት ኰይኑ እዩ እሞ፡
ቀጽርታት ይፈርስ፡ ኣውያት ድማ ክሳዕ ኣኽራን ይበጽሕ ኣሎ። 6 ኤላም ጕልድባ ጾረት፡ ምስ ሰብ
ሰረገላን ፈረሰኛታትን ወጸት፡ ቂር ዋልታ ቐልዔት። 7 እቲ ጸጽቡቕ ለሴታትኪ ብሰረገላታት መልኤ፡
ፈረሰኛታት ከኣ ኣብ ኣፍ ደገ ተሰለፉ። 8 ጕልባብ ይሁዳ ተቐልዔ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ናብ ኣጽዋር፡ ናብ
ቤት ዱር ቍሊሕ በልኪ። 9 እቲ ፍሩስ ኣብ ከተማ ዳዊት ምብዝሑ ርኤኹም፡ ነቲ ማይ ከኣ ኣብቲ
ታሕታይ ሓጽቢ ኣከብኩም፡ 10 ነባይቲ ኺተጽንዑ ኸኣ፡ ነቲ ኣባይቲ ኣፍረስኩምዎ። 11 ኣብ መንጎ እቲ
ኽልተ ቐጽሪ ድማ ንማይ እቲ ናይ ቀደም ሓጽቢስ መኣከብ ማይ ገበርኩም፡ ግናኸ ናብቲ ነዚ ዝገበረ
ኣይጠመትኩምን፡ ናብቲ ኻብ ጥንቲ ዘዳለዎ ኣይርኤኹምን። 12 በታ መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ንብኽያት ንዋይዋይን ንምልጻይ ርእስን ከሊ ንምዕጣቕን ጸውዓኩም። 13 እንሆ ኸኣ ታሕጓስን
ደስታን ምሕራድ ኣብዑርን ምጥባሕ ኣባጊዕን ምብላዕ ስጋን ምስታይ ወይንን ኰነ፡ ጽባሕ ክንመውት
ኢና እሞ ንብላዕን ንስተን፡ ትብሉ ኣሎኹም። 14 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ ኣብ እዝነይ ነገረኒ፡
እዚ ዓመጻ እዚ ኽሳዕ እትሞቱ ኣይሕደገልኩምን፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 15 እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ከምዚ በለ፡ ናብ ሸብና፡ እቲ ኣዛዚ ቤት ኰይኑ ዘሎ ዓቃብ ቤት፡ ኪድ እሞ ንገሮ፡ 16
ኣብዚ እንታይ ትገብር ኣሎኻ መቓብር ኣብዚ እትወቅር፡ ኣታ መቓብርካ ኣብ ላዕሊ እትወቅር፡ ስፍራ
ንርእስኻ ኣብ ከውሒ እትኹዕትሲ፡ ኣብዚ መን ኣሎካ 17 እንሆ፡ እግዚኣብሄር ብሓያል ቅልጽም ኣርሒቑ
ኺውርውረካ፡ ኣጸቢቑ ድማ ኪዕኹልለካ እዩ፡ 18 ጠቕሊሉ የንከባልለካ፡ ከም ኲዕሶ ድማ ናብ ሰፊሕ
ሃገር ኪድርብየካ እዩ፡ ኣታ ነውሪ ቤት ጐይታኻ፡ ኣብኡ ኽትመውት ኢኻ፡ እተን ሰረገላታት ክብርኻ
ድማ ኣብኡ ኪኾና እየን። 19 ካብ ስፍራኻ ክሰጕካ እየ፡ ካብ ሽመትካ ድማ ኪስዕረካ እዩ። 20 በታ
መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኪኸውን እዩ፡ ንባርያይ ኤልያቂም ወዲ ህልቅያ ኽጽውዖ እየ፡ 21 ቀሚስካ ኽልብሶ፡
ማዕጥቕኻ ኽዕጥቖ፡ ስልጣንካ ናብ ኢዱ ኣሕሊፈ ኽህቦ እየ፡ ንሱውን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን
ንቤት ይሁዳን ኣቦ ኪኸውን እዩ። 22 መኽፈቻ ቤት ዳዊት ድማ ኣብ መንኲቡ ኽንብር እየ፡ ንሱ
ይኸፍት፡ ሓደ ዚዐጹ ኸኣ የልቦን፡ ንሱ ይዐጹ፡ ሓደ ዚኸፍት ድማ የልቦን። 23 ከም ሸንካር ኣብ ድልዱል
ስፍራ ኽተኽሎ እየ፡ ንቤት ኣቦኡውን ዝፋን ክብሪ ኪኸውን እዩ። 24 ክብሪ ቤት ኣቦኡ ኹሉ፡ ውሉድን
ውሉድ ውሉድን፡ ኲሉ ናእሽቱ ኣቓሑ፡ ካብ ዋንጫ ኽሳዕ ዝንግሪር ኣብኡ ኪስቀል እዩ። 25

እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ እቲ ኣብ ድልዱል ስፍራ ተተኺሉ ዝነበረ ሽንካር
ኪመልቐቕን ኪቕረጽን ኪወድቕን፡እቲ ኣብኡ ተሰቒሉ ዝነበረ ጾር ከኣ ኪቕረጽ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት።

## ምዕራፍ 23

1 ጾር ብዛዕባ ጢሮስ። ያንያ እያ፡ ቤት የልቦን፡ ምእታው የልቦን እሞ፡ ኣትን መራኽብ ተርሲስ፡ ዋይዋይ
በላ። ካብ ምድሪ ኪቲም ተገልጸሎም። 2 ኣቱም ኣብ ደሴት እትነብሩ፡ ስቕ በሉ፡ እቶም ብባሕሪ ዚሳገሩ
ነጋዶ ሲዶን መልኡኺ። 3 እኽሊ ሲሆርን ቀውዒ ኒልን፡ ብብዙሕ ማያት ሰጊሩ እቶታ ነበረ፡ ንሳውን
ዕዳጋ ኣህዛብ ነበረት። 4 ባሕሪ፡ እቲ ናይ ባሕሪ ዕርዲ፡ ቅልውላው ኣይሐዘንን ኣይወለድኩን ከኣ፡ ኣጕባዝ
ኣየዕቤኹን፡ ደናግል ድማ ኣየዕቤኹን፡ ኢሉ ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ኣቲ ሲዶን፡ ሕፈሪ። 5 እዚ ወረ እዚ ናብ
ግብጺ ምስ ዚበጽሕ፡ በቲ ወረ ጢሮስ ራዕራዕ ኪብሉ እዮም። 6 ኣቱም ኣብ ደሴት እትነብሩ፡ ናብ
ተርሲስ ተሳገሩ እሞ ዋይዋይ በሉ። 7 እታ ኻብ ጥንቲ ዝጀመረት፡ ኣእጋራውን ናብ ርሑቕ ሃገር፡ ኣብኡ
ኸትነብር ዝወሰዳ ሕጉስቲ ኸተማኹምሲ እዚኣ ድያ 8 ነታ ዘውድታት እትዕድል ዝነበረት፡ መሳፍንቲ
ዝነጋዶኣ፡ ምርኡያት ምድሪ ዝሸቃጦኣ ጢሮስሲ፡ መን እዩ እዚ ምኽሪ እዚ ኣብ ልዕሌኣ ዝመኸረላ 9
ንትዕቢት ክብሪ ዘበለ ኼሕስር፡ ንዅሎም ምርኡያት ምድሪ ምእንቲ ኼዋርድ ኢሉ፡ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት እዩ ዝመኸሮ። 10 ኣቲ ጓል ተርሲስ፡ ከም ኒል ኳንኪ ኣብ ሃገርኪ ኣሳፍሒ፡ ደጊምሲ
ማዕጥቖ የብልክን። 11 ኢዱ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ዘርጊሑ፡ ንመንግስትታት ራዕራዕ ኣበሎም፡ እግዚኣብሄር
ብዛዕባ ኸነኣን ዕርድታታ ኺፈርስ ኣዘዘ። 12 በለ ድማ፡ ኣቲ እተዐመጽኪ ድንግል ጓል ሲዶን፡ ደጊምሲ
ኣይክትሕጐስን ኢኺ፡ ተለዐሊ እሞ ናብ ኪቲም ተሳገሪ፡ ኣብኡውን ህድኣትስ ኣይክትረኽብን ኢኺ። 13
እንሆ፡ ሃገር ከለዳውያን፡ ቀደም ህዝቢ ዘይነበረስ፡ ኣሶር ንኣራዊት በረኻ መደቦ፡ ዚኸቡሉ ግምቦም
ይሰርሑ፡ ኣዳራሻታ የፍርሱ፡ ያናውን ይገብርዎ። 14 ኣትን መራኽብ ተርሲስ፡ ዕርድኽን ፈሪሱ እዩ እሞ፡
ዋይዋይ በላ። 15 በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፡ ጢሮስ፡ ከም መዓልትታት ሓድ ንጉስ፡ ንሰብዓ
ዓመት ክትርሳዕ እያ። ኣብ መወዳእታ ሰብዓ ዓመት ግና ንጢሮስ ከምቲ ደርፊ ኣመንዝራ ዚብሎ ኪኾና
እዩ፡ 16 ኣቲ ርስዕቲ ኣመንዝራ፡ መሰንቆኺ ኣልዕሊ፡ ኣብ ከተማ ዙሪ፡ ኣጸቢቕኪ መሰንቆ ኣቓንዪ፡ ምእንቲ
ኽትዝከሪ ድማ፡ ብዙሕ ደርፊ ድረፊ። 17 ኣብ መወዳእታ ሰብዓ ዓመት ከኣ ኪኸውን እዩ፡ እግዚኣብሄር
ንጢሮስ ኪቕጽዓ እዩ፡ ንሳ ኸኣ ናብ ዓስቢ ምንዝርናኣ ኽትምለስ፡ ምስ ኵሎም ኣብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ
ዘለው መንግስትታት ዓለም ድማ ክትምንዝር እያ። 18 ግናኸ ረብሓኣን እቲ ዓስቢ ምንዝርናኣን
ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ ኪኸውን እዩ፡ ረብሓኣ በሊያም ምእንቲ ኺጸግቡ፡ ብሉጽ ክዳንውን ኪኽደኑስ፡
ነቶም ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዚነብሩ ኪኸውን እዩ እምበር፡ ኣይኪዕቈርን ኣይኪንበርን እዩ።

## ምዕራፍ 24

1 እንሆ፡ እግዚኣብሄር ንምድሪ ጥራያ ይገብራን የባድማን፡ ገጻ ይግምጥል፡ ነቶም ኣብኣ ዚነብሩውን ፋሕ
የብሎም። 2 ከምቲ ንህዝቢ ኸምኡ ንኻህን ኪበጽሖ እዩ፡ ከምቲ ንባርያ ኸምኡ ንጐይታ፡ ከምቲ
ንግዝእቲ ኸምኡ ንእመቤት፡ ከምቲ ንተሻያጢ ኸምኡ ንሸያጢ፡ ከምቲ ንተለቃሒ ኸምኡ ንመለቅሒ፡
ከምቲ ንብዓል ዕዳ ኸምኡ ንመዕድዩ ኺበጽሕ እዩ። 3 እግዚኣብሄር እዚ ቓል እዚ ተዛሪቡ እዩ እሞ፡

ምድሪ ብጥራስ ጥራያ ኽትከውን ብጥራስውን ክትብዝበዝ እያ። 4 ምድሪ ትሐዝን ትጽምሉውን ኣላ፡
ዓለም ትሕለል ትጽምሉውን ኣላ፡ እቶም ምርኡያት ህዝቢ ምድሪ ይሕለሉ ኣለው። 5 ሕጊ ስዒሮም
ስርዓት ለዊጦም፡ ነቲ ዘለኣለማዊ ኪዳን ኣፍሪሶም እዮም እሞ፡ ምድሪ በቶም ኣብኣ ዚነብሩ ረኺሰት። 6
ስለዚ መርገም ንምድሪ ውሒጥዋስ፡ እቶም ኣብኣ ዚነብሩ ይቕጽዑ ኣለው፡ ስለዚ እቶም ኣብ ምድሪ
ዚነብሩ ይነዱ፡ ሒደት ሰብ ከኣ ይተርፉ። 7 ኰልዒ ወይኒ ይሐዝን፡ ተኽሊ ወይኒ ይሕለል፡ እቶም ኣብ
ልቦም ሓጐስ ዝነበሮም ኲላቶም ይትክዙ ኣለው። 8 ደስታ ወቓዕቲ ኸበሮ ተሪፉ፡ ጭራሕምራሕ እቶም
ሕጉሳት ተወዲኡ፡ ታሕጓስ መሰንቆ ተሪፉ፡ 9 ደጊምሲ እናደረፉ ወይኒ ኣይሰትዩን፡ ብርቱዕ መስተ
ንሰተይቱ ይመሮም። 10 እታ ዝባደመት ከተማ ፈረሰት፡ ቤት ዘበለ ኸኣ ሰብ ከይኣትዎ ተዐጽወ። 11
ብዛዕባ ወይኒ ኣብ ኣደባባይ ታዕታዕ ይብሉ፡ ታሕጓስ ዘበለ ዐረበ፡ ተድላ ምድሪ ጐዐዘ። 12 ኣብታ
ኽተማስ ዑና ጥራይ ተረፈ፡ ምዕናው ከኣ ንመዓጹ ሰበረ። 13 እምበኣርሲ ኣብ ምድሪ ኣብ ማእከል
ህዝብታት፡ ከምቲ ምንዝናዝ ኣውልዕ፡ ምጕናእ ዘቢብ ተወዲኡስ፡ ቀሪም ከም ዚቕረም፡ ኪኸውን እዩ።
14 እዚኣቶም ድምጾም የልዕሉ፡ እልል ከኣ ይብሉ፡ ብዛዕባ ግርማ እግዚኣብሄር ካብ ባሕሪ የመስግኑ። 15
ስለዚ ንእግዚኣብሄር ኣብ ሃገር ምብራቕ፡ ንስም እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ኣብ ደሴታት ባሕሪ
ኣኽብርዎ። 16 ካብ ወሰን ምድሪ፡ ክብሪ ነቲ ጻድቕ ዚብል መዝሙር ንሰምዕ ኣሎና። ኣነ ግና፡ ዘማቶ
ይዘምቱ፡ እወ፡ ዘማቶ ኣዝዮም ይዘምቱ ኣለው፡ ይዋእ ኣነ፡ ይዋእ ኣነ፡ ወይለይ፡ በልኩ። 17 ኣታ ኣብ
ምድሪ እትነብር፡ ስምባድን ጕድጓድን መፈንጠራን ኣብ ልዕሌኻ ኣሎ። 18 ኪኸውን ድማ እዩ፡ እቲ ኻብ
ደሃይ ስምባድ ዚሀድም ናብ ጕድጓድ ኪወድቕ፡ እቲ ኻብ ጕድጓድ ዚወጽእ ከኣ ብመፈንጠራ ኪትሐዝ
እዩ። መሳኹቲ ኣብ ላዕሊ ተኸፊቱ እዩ እሞ፡ መሰረታት ምድሪውን የንደቕድቕ ኣሎ። 19 ምድሪ ጥዋዕ
ኢላ ትስበር፡ ምድሪ ተረር ኢላ ትትርተር፡ ምድሪ ነነይ ኢላ ትናወጽ። 20 ምድሪ ኸም ሰኹር ሰንከልከል
ትብል፡ ከም ዳስ ከኣ ሰሰው ትብል፡ ኣበሳኣ ኽቢድዋ ትወድቕ፡ መሊሳውን ኣይትትንስእን። 21 በታ
መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኪኸውን እዩ፡ እግዚኣብሄር ንሰራዊት ላዕሊ ኣብ ላዕሊ፡ ንነገስታት ምድሪውን ኣብ
ምድሪ ኪቕጽዕ እዩ። 22 ብሓደ ይእከቡ፡ እሱራት ኣብ ጕድጓድ ከም ዚእከቡ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ
ይዕጸው፡ ድሕሪ ብዙሕ መዓልትታት ከኣ ኪቕጽዑ እዮም። 23 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ ኣብ
ከረን ጽዮንን ኣብ የሩሳሌምን ኪነግስ፡ ኣብ ቅድሚ ዓበይቱ ድማ ኪኸብር እዩ እሞ፡ ሽው ወርሒ
ኽትሐፍር፡ ጸሓይ ክትሐንኽ እያ።

## ምዕራፍ 25

1 ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኢኻ ኣምላኸይ። ተኣምራት፡ እቲ ናይ ጥንቲ ምኽሪ፡ እምነትን ሓቅን ጌርካ
ኢኻ እሞ፡ ልዕል ከብለካ ንስምካውን ክውድሶ እየ። 2 ንኸተማስ ኲምራ እምኒ፡ ነታ ዕርድቲ ኸተማ ኸኣ
ዑና ጌርካያ ኢኻ እሞ፡ እቲ ኣዳራሽ ጓኖት ደጊም ከተማ ኸይከውን፡ ንዘለኣለም ኣይኪስራሕን እዩ። 3
ስለዚ እቲ ብርቱዕ ህዝቢ የኽብረካ፡ ከተማ እቶም ጨካናት ኣህዛብ ትፈርሃካ ኣላ። 4 ነድሪ እቶም
ጨካናት ከምቲ ንመንደቕ ዚወቕዕ ሃጸፊ እዩ እሞ፡ ንስኻ ዕርዲ ንድኻ፡ ንሽጉር ኣብ ጸበባኡ መጸግዒ፡
ካብ ሃጸፊ መዕቀሊ፡ ካብ ሃሩር መጽለሊ ኾንካ። 5 ከምቲ ንሃሩር ኣብ ደረቕ ምድሪ እተህድኦ፡ ከምኡ
ንታዕታዕ ጓኖት ተህድኦ ኣሎኻ፡ ከምቲ ዋዒ ብጽላሎት ደበና ዚዝሕል፡ ከምኡ ናይቶም ጨካናት ደርፊ
ዓወት ይዝሕል ኣሎ። 6 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብዚ ኸረን እዚ ምሳሕ ብስቡሕ ብልዒ ንኹሎም
ህዝብታት ኪገብረሎም እዩ፡ ምሳሕ ብብርቱዕ ወይኒ፡ ኣንጕዕ ብዝመልኦ ስቡሕ ብልዒ፡ ምሳሕ

ብብርቱዕ ጽሩይ ወይኒ ኺገብር እዩ። [7] ኣብዚ ኸረን እዚ ነቲ ንዂሎም ህዝብታት ዚጋርድ መጋረጃን ነቲ ንዂሎም ኣህዛብ ዚጒልብብ መጐልበብን ኬጥፍኦ እዩ። [8] ንሞት ንሓዋሩ ኺውሕጦ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንንብዓት ካብ ገጽ ኵሎም ኪደርዞ እዩ። እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ንሕስራን ህዝቡ ኻብ ኵላ ምድሪ ኺርሕቖ እዩ። [9] በታ መዓልቲ እቲኣ፡ እንሆ፡ ኣምላኽና እዚ እዩ፡ ተጸቢናዮ፡ ኬድሕነና ኸኣ እዩ፡ እቲ እተጸቤናዮ እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ ብምድሓኑ ንተሐጐስ ባህውን ይበለና፡ ኪበሃል እዩ። [10] ኢድ እግዚኣብሄር ኣብዚ ኸረን እዚ ኽትዐርፍ እያ እሞ፡ ከምቲ ሓሰር ኣብ ዕነ ዚርገጽ፡ ሞኣብ ኣብ ስፍራኡ ኺርገጽ እዩ። [11] ከምቲ ሓማሲ ኺሕምስ ከሎ ኣእዳው ዚዝርግሕ፡ ከምኡ ኣብ ማእከሉ ኣእዳው ኺዝርግሕ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ንትዕቢቱ ምስናይ እቲ ተንኰል ኣእዳው ኬዋርዶ እዩ። [12] ነቲ ልዑል ዝበለ ጽኑዕ ቀጽሪ ዕርድኻ ለጠቕ ኬብሎ፡ ኬውድቖ፡ ክሳዕ ሓመድውን ናብ ምድሪ ኬብሎ እዩ።

# ምዕራፍ 26

[1] በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ሃገር ይሁዳ እዚ መዝሙር እዚ ኺዝመር እዩ፡ ጽንዕቲ ኸተማ ኣላትና፡ ቀጽርን ዕርድን ገይሩ ምድሓን ኬንብረላ እዩ። [2] እቲ ሓዊ ዚሕሉ ጻድቕ ህዝቢ ኺኣቱስ፡ ደጌታት ክፈቱ። [3] ነቲ ጽኑዕ ዝሃቀናኡ፡ኣባኻ ስለ እተማሕጸነ፡ ብሰላም እወ ብሰላም ትሕልዎ። [4] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ከውሒ እዩ እሞ፡ ንዘለኣለም ብእግዚኣብሄር ተማሕጸኑ። [5] ነቶም ኣብ በሪኽ ዝነበሩ ለጠቕ ኣበሎም፡ ነታ ልዕል ዝበለት ከተማ ኣዋረዳ፡ ክሳዕ ምድሪ ኣዋረዳ፡ ናብ ሓመድ ጸሕ ኣበላ። [6] እግሪ ኤረ ኣእጋር ድኻታትን ስጒምቲ ሽጉራትን ይረግጻኣ። [7] መገዲ ጻድቕ ቅንዕቲ እያ። ንጻድቕሲ መገዲ ተዳልወሉ ኢኻ። [8] ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣብ መገዲ ፍርድኻ ተጸቢናኻ። ስምካን ዝኽርኻን ናፍቖት ነፍስና እዩ። [9] ፍርድኻ ኣብ ምድሪ ምስ እትገብር፡ እቶም ኣብ ዓለም ዚነብሩ ጽድቂ ይመሀሩ እዮም እሞ፡ ነፍሰይ ብለይቲ ትናፍቐካ፡ በቲ ኣብ ውሽጠይ ዘሎ መንፈስ ድማ ኣንጊሄ እደልየካ ኣሎኹ። [10] ንረሲእ እንተ ራሕራሕካሉ፡ ጽድቂ ኣይመሀርን፡ ኣብ ሃገር ቅንዕና እኩይ ይገብር፡ ንግርማ እግዚኣብሄር ድማ ኣይርእዮን። [11] ዎ እግዚኣብሄር፡ ኢድካ ተላዒላ ኣላ፡ ንሳቶም ግና ኣይርእዩን፡ ግናኸ ነቲ ምእንቲ ህዝቢ እትጽዕቶ ጻዓት ኪርእዩን ኪሐፍሩን እዮም፡ እወ፡ ንተጻረርትኻስ ሓዊ ኺውሕጦም እዩ። [12] ዎ እግዚኣብሄር፡ ንዂሉ ተግባርና ንስኻ ኢኻ እትፍጽመልና እሞ፡ ሰላም እትህበና ንስኻ ኢኻ። [13] ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ብጀካኻ ኻልኦት ጐይቶት መሊኾምና ኣለው፡ ግናኸ ብኣኻ ጥራይ ንስምካ ንዝክሮ። [14] ምውታትሲ ህያዋን ኣይኰኑን፡ ጽላሎት ኣይትንስኡን፡ ስለዚ ቐጻዕካዮምን ኣጽነትካዮምን፡ ንመዘከርታኦም ዘበለውን ኣጥፋእካዮ። [15] ነቲ ህዝቢ ኣብዛሕካዮ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ነቲ ህዝቢ ኣብዛሕካዮ፡ ከበርካ፡ ንወሰን እቲ ሃገር ኵሉ ድማ ኣርሐብካዮ። [16] ዎ እግዚኣብሄር፡ ብጸበባ ደለዩኻ፡ ቅጽዓትካ ምስ ረኸቦም፡ ሰላሕ ኢሎም ጸሎት ኣፍሰሱ። [17] ከም ጥንስቲ ሰበይቲ፡ ክትወልድ ምስ ቀረበት፡ ቅልውላው ተታሒዛ እትጭርሕ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንሕናውን ኣብ ቅድሜኻ ኸምኡ ኰንና። [18] ጠነስና፡ ጻዕሪ ሕርሲ ሓዘና፡ ንፋስ ከም ዝወለደት ኰንና፡ ምድሓን ንምድሪ ኣየምጻእናላን፡ ኣብ ዓለም ዚነብሩ ኸኣ ኣይውለዱን። [19] ምውታትካ ህያዋን ኪኾኑ፡ ሬሳታተይ ኪትንስኡ እዮም። ኣውልኻ ኣውሊ ብርሃን እዩ፡ ምድሪውን ንምውታት ከተውጽኦም እያ እሞ፡ ኣቱም ኣብ ሓመድ እትነብሩ፡ ንቕሑ እልል ከኣ በሉ። [20-21] እንሆ፡ እግዚኣብሄር ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ብሰሪ እከዮም ኪቐጽዖም ካብ ስፍራኡ ይወጽእ ኣሎ፡ ምድሪ ኸኣ ንደማ ኸትቀልዖ፡ ንቕቱላታውን ድሕሪ ደጊም ኣይክትከውሎምን እያ እሞ፡ እምበኣርከ ኣታ ህዝበይ፡ ኪድ፡ ናብ ሕልፍኚኻ እቶ። ማዕጾኻ ድማ ብድሕሬኻ ዕጾ፡ ቍጥዓ ኽሳዕ

ዚሓልፍ ንቕሩብ ጊዜ ተሐባእ።

# ምዕራፍ 27

1 በታ መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር በቲ ተሪርን ዓብይን ሓያልን ሰይፉ ገይሩ፡ ንሌዋታን፡ ነቲ ቕልጡፍ
ተመን፡ ንሌዋታን፡ ነቲ ዚለዋወ ተመን፡ ኪቐጽዖ፡ ነቲ ኣብ ባሕሪ ዘሎ ገበል ከኣ ኪቐትሎ እዩ። 2 በታ
መዓልቲ እቲኣ ብዛዕባ እቲ እተፈትወ ኣታኽልቲ ወይኒ ዘምሩ፡ 3 ኣነ እግዚኣብሄር እሕልዎ፡ ኩሉ ጊዜ
ኤስትዮ፡ ሓደ እኳ ኸይጐድኦ፡ ለይትን መዓልትን እሕልዎ ኣሎኹ። 4 ኵራ የብለይን፡ ተኾርባን እሾኹን
ኪዋግኡኒ እንተ ዚትንስኡ፡ ተንሲኤ ብሓደ መንደድክዎም። 5 እንተ ዘይኰነስ ምሳይ ይተዐረቕ፡ ንሓይለይ
ይሐዝ፡ ምሳይ ይተዐረቕ። 6 በቲ ዚመጽእ ዘመን፡ ያእቆብ ሱር ኪሰድድ፡ እስራኤል ከኣ ኪልምዕን
ኪዕምብብን እዩ፡ ንዝባን ዓለም ድማ ብፍረ ኺመልእዎ እዩም። 7 ከምቲ ነቶም ወቓዕቲ ዝወቕዖምዶ
ወቒዕዎ እዩ ወይስ ከምቲ ንቕቱላቱ ዝቐተሎምዶ ተቐቲሉ እዩ 8 ኣርሒቕካ ብምስጓጕ ብልክዕ ቀጻዕካዮ፡
ብመዓልቲ ንፋስ ምብራቕ ብብርቱዕ ህቦብላኡ ደፍኦ። 9 ኣዕኑድ ኣስታርተን ሓወልቲ ጸሓይን ድሕሪ
ደጊም ከይትንስኡ፡ ንኹሉ ኣእማን መሰውኢ ኸም ዚሰባበር እምኒ ኖራ ገይሩ ምስ ኣፍረሶ፡ ስለዚ እቲ
ኣበሳ ያእቆብ በዚ ተሰርየ፡ እዚ እዩ ምሉእ ፍረ ምርሓቕ ሓጢኣት። 10 እታ ጽንዕቲ ኸተማ ትጽሙ፡ ከም
በረኻ፡ ሰብ ዜብሉ እተሐድገ ስፍራ ትኸውን ኣላ፡ ኣብኣ ምራኽ ይጓሰ፡ ኣብኣውን ይውዕልን ጨናፍራ
ይበልዕን ኣሎ። 11 ጨንገፉ ምስ ነቐጸ፡ ይስበር፡ ኣንስቲውን መጺኤን የንድዳኦ። ኣእምሮ ዜብሉ ህዝቢ
እዩ እሞ፡ ስለዚ እቲ ፈጣሪኡ ኣይድንግጸሉን፡ እቲ ደኳኒኡ ድማ ኣይምሕሮን። 12 በታ መዓልቲ እቲኣ
ኪኸውን እዩ፡ ካብታ ርባ ጀሚሩ ኽሳዕ እቲ ናይ ግብጺ ወሓዚ፡ እግዚኣብሄር ፍረ ኺእቱ እዩ። ኣቱም
ደቂ እስራኤል ከኣ፡ በብሓደ ተኣሪኹም ክትእከቡ ኢኹም። 13 በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኪኸውን እዩ፡
ዓብዩ መለኸት ኪንፋሕ እሞ፡ እቶም ኣብ ሃገር ኣሶር ጠፊኦም፡ እቶም ኣብ ሃገር ግብጺውን ተሰጕጎም
ዝነበሩ ኺመጹ፡ ንእግዚኣብሄር ድማ ኣብቲ ቅዱስ ከረን፡ ኣብ የሩሳሌም ኪሰግዱሉ እዮም።

# ምዕራፍ 28

1 ነታ ኣኽሊል ትዕቢት ናይ ስኹራት ኤፍሬምን ነታ ናይ ክቡር ስልማቱ ዝጸምለወት ዕምባባ፡ ኣብ
ርእሲ እታ ስብሕቲ ለሰ ናይቶም ብወይኒ ሰንከልከል ዚብሉ ዘላን ወይለኤን። 2 እንሆ፡ ሓደ ብርቱዕን
ሓያልን ካብ እግዚኣብሄር ይመጽእ ኣሎ፡ ንሱ ኸም ሃጽፊ በረድን ከም ዜጥፍእ ህቦብላን ከም ሃጽፊ
ብርቱዕ ደምሳሲ ማይን ኰይኑ፡ ብሓይሊ ናብ ምድሪ ጻሕ የብሎ። 3 እቲ ኣኽሊል ትዕቢት ናይ ስኹራት
ኤፍሬም ብእግሪ ኺርገጽ እዩ። 4 እቲ ኣብ ርእሲ እታ ስብሕቲ ለሰ ዘሎ ናይቲ ኽቡር ስልማቱ ዝጸምለወ
ዕምባባ ከምቲ ቐድሚ ቐውዒ ቀዲሙ ዝበሰለ በለስ ኪኸውን እዩ፡ ምስ ረኣዮ፡ ገና ኣብ ኢዱ ኸሎ፡
ቀልጢፉ ይውሕጦ። 5 በታ መዓልቲ እቲ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነቶም ተረፍ ህዝቢ ኣኽሊል
ክብርን ዘውዲ ስልማትን ኪኾኖም እዩ። 6 ነቲ ኺፈርድ ዚቕመጥ ከኣ መንፈስ ፍትሒ፡ ነቶም ንውግእ
ናብ ኣፍ ደገ ዚመልሱ ድማ ሓይሊ ኪኾኖም እዩ። 7 ግናኸ እዚኣቶም ድማ ብወይኒ ሰንከልከል ይብሉ፡
ብሰሪ ብርቱዕ መስተ ኸኣ ይሳናኸሉ። ካህንን ነብይን ብሰሪ ብርቱዕ መስተ ሰንከልከል ይብሉ፡ ብወይኒ
ይውሐጡ፡ ብሰሪ ብርቱዕ መስተ ሰንከልከል ይብሉ፡ ኣብ ራእይ ይጋገዩ፡ ኣብ ፍርዲ ይዕንቀፉ ኣለው። 8
ኩሉ መኣድታት ዜፈንፍን ትፋእ ምሉእ እዩ፡ ካን ጽጹይ ስፍራ ይልቦን። 9 ንመን ደኣ ፍልጠት ኪምህር

እዩ ንመንከ እዩ ነታ መልእኽቲ ኽም ዜስተውዕላ ዚገብሮ ነቶም ጸባ ኣዲኦም ዝሐደጉ፡ ካብ ጡብ
እተፈልዩ ድዩ [10] ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ ትእዛዝ፡ ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ ትእዛዝ፡ ባህሊ ኣብ ልዕሊ ባህሊ፡ ባህሊ
ኣብ ልዕሊ ባህሊ፡ ሒደት ኣብዚ፡ ሒደት ኣብቲ እዩ። [11] እምበኣርሲ ብወታእ ከናፍርን ብልሳን ጓናን ነዚ
ህዝቢ እዚ ኽዛረቦ እዩ። [12] ንሱውን፡ ዕረፍቲ እዚኣ እያ፡ ነቲ ድኹም ኣዕርፍዎ፡ እታ መቕሰኒት እዚኣ
እያ፡ ኢልዎም ነይሩ፡ንሳቶም ግና ምስማዕ ኣበዩ። [13] ስለዚ ኽኣ ቃል እግዚኣብሄር ንኣታቶም፡ ትእዛዝ ኣብ
ልዕሊ ትእዛዝ፡ ትእዛዝ ኣብ ልዕሊ ትእዛዝ፡ ባህሊ ኣብ ልዕሊ ባህሊ፡ ሒደት ኣብዚ፡ ሒደት ኣብቲ
ኪኸውኖም እዩ። ኪኸዱ ኸለው ኸኣ፡ ጥንቅሊዒት ወዲቖም፡ ኪስበሩን ኪፍንጠሩን ኪትሐዙን እዮም። [14]
ስለዚ ኣቱም መላገጽቲ፡ ኣቱም ነዚ ኣብ የሩሳሌም ዘሎ ህዝቢ እትመልኩ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ። [15]
ንስኻትኩም ከኣ፡ ምስ ሞትሲ ኺዳን ተኣታቲና፡ ምስ ሲኦም ድማ ተዋዓዒልና፡ ንሓሶት ጸግዕና
ንጥልመትውን ከውልና ጌርና ኢና እሞ፡ መዓት ከም ደምሳሲ ውሒዝ ኰይኑ ምስ ዚሐልፍ፡ ኣባናስ
ኣይኪበጽሕን እዩ፡ ትብሉ ኣሎኹም እሞ፡ [16] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣብ
ጽዮን እምኒ መሰረት፡ ፍቱን እምኒ፡ ድልዱል ዝመሰረቱ፡ ክቡር እምኒ ኹርናዕ ኤንብር ኣሎኹ፡ ብእኡ
ዚኣምን ኣይኪህድምን እዩ። [17] ፍርዲ ንመዓቀኒ፡ ጽድቂ ኸኣ ንመለከዒ ኽገብሮ እየ፡ በረድ ንጸግዒ ሓሶት
ኬፍርሶ፡ ማያትውን ነቲ ኸውሊ ኺድምስሶ እዩ። [18] እቲ ምስ ሞት እተኣታቶኹምዎ ኺዳንሲ ከንቱ
ኪኸውን፡ እቲ ምስ ሲኦል እተዋዓዐልኩምዎ ውዕል ከኣ ኣይኪጸንዕን እዩ፡ መዓት ከም ደምሳሲ ውሒዝ
ኰይኑ ምስ ዚሐልፍ፡ ንስኻትኩም ብእኡ ኽትርገጹ ኢኹም። [19] ንግሆ ንግሆ፡ ለይትን መዓልትን
ኪሐልፍ እዩ እሞ፡ እናሐለፈ ኺሕዘኩም እዩ። ነዚ መልእኽቲ እዚ ምስትውዓልሲ መሰከሒ ጥራይ
ኪኸውን እዩ። [20] ዓራት ከየሳፍሑሉ፡ ሓጺር እዩ፡ መደረብታ ኸኣ፡ ብእኡ ኽይጒልበቡ፡ ጸቢብ እዩ። [21]
እግዚኣብሄር ንዕዮኡ፡ ነቲ መስትንክር ዕዮኡ ምእንቲ ኺገብር፡ ንተግባሩ፡ ነቲ ዜደንቕ ተግባሩ ምእንቲ
ኺፍጽምሲ፡ ከም ኣብ ከረን ጴራጺም ኪትንስእ፡ ከም ኣብ ለሰ ጊብዖን ኪኹሪ እዩ እሞ፡ [22] ጥፍኣት ኣብ
ልዕሊ ኹላ ምድሪ ተመዲቡ ኸም ዘሎ፡ ካብ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ሰሚዔ ኣሎኹ እሞ፡
ማእሰርትኹም ከይጸንዕ ደጊምሲ ኣይተላግጹ። [23] ጽን በሉ፡ ድምጻይ ስምዑ፡ ኣስተብህሉ፡ ዘረባይ ድማ
ስምዑ። [24] ሓረስታይ ኪዘርእ ኢሉ ኹሉ መዓልቲዶ ይሐርስ፡ ንግራቱስ ይባርዎን ይጒልጒሎን ድዩ [25]
ንዝባኑ ምስ ኣጣጥሖ ሰሰግዶ ኣይንስንስን ካሙንከ ኣይብትንን ድዩ ስርናይ ከኣ ኣብቲ ትልምታት፡ ስገም
ድማ ኣብ ወገኑ፡ ንሂጒውን ኣብ ወሰነ ወሰኑዶ ኣይዘርእን እዩ [26] ኣምላኹውን ነቲ ቕኑዕ ኣገባቡ
ኣፍሊጥዎን ምሂርዎን እዩ። [27] ሰሰግ ብመኼዲ ኣይክየድን፡ መንኰርኰር ሰረገላ ኸኣ ኣብ ካሙን
ኣየዙሩን፡ ንሰሰግሲ ብጨንገፍ፡ ንካሙን ድማ ብሸቦጥ እዮም ዚዘብጥዎ። [28] እኽሊ ይጥሐን እምበር፡
ንሓዋሩስ ኣይክየድን እዩ፡ መንኰረኹር ሰረገላኡን ኣፍራሱን እኳ እንተ ኣኼድሉ፡ ኣይጥሐንን እዩ። [29]
እዚውን ካብ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ ዝወጸ። ንሱ ብምኽሩ ዜገርም፡ ብጥበቡውን ዓብዪ እዩ።

# ምዕራፍ 29

[1] ኣቲ ኣሪኤል፡ ኣሪኤል፡ ዳዊት መሳፍሮ ዝገበረኪ ኽተማ፡ ወይለኺ። ዓመት ኣብ ዓመት ወስኹ፡
በዓላትውን ምዝዋሩ ይፈጽም። [2] ንኣሪኤል ድማ ከጨንቖላ እየ፡ ዋይዋይን ቍዝማን ኪኸውን እዩ፡
ንሳውን ከም ኣሪኤል ክትኰነኒ እያ። [3] ኣብ ከባቢኻ ኽሰፍር እየ፡ ብሰራዊት ክኸበኪ፡ ኣብ ልዕሌኺውን
ዕርዲ ከቕውም እየ። [4] ተዋሪድኪ፡ ካብ ምድሪ ኽትዛረቢ ኢኺ፡ ቃልኪ ብሰላሕላሕ ካብ ሓመስ
ኪወጽእ፡ ድምጽኺ ከም ድምጺ ሰራዪ ኻብ ምድሪ ኺስማዕ፡ ቃልኪውን ካብ ሓመድ ሕሸኹሸኹ

ኪብል እዩ። 5 ብዝሒ ጻላእትኺ ግና ከም ድኹም ተጐጓ፡ ብዝሒ እቶም መጨነቕቲ ኸኣ ከምቲ ዚሐልፍ
ብቚብቚ ኪኸውን እዩ፡ እዚውን ብቕጽበት ብድንገት ኪኸውን እዩ። 6 መዓት እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ብነጐድን ምንድቕዳቕ ምድርን ብብርቱዕ ህማምን ህቦብላን ሃጽፍን ብዚባላዕ ሃልሃልታ ሓውን
ኪመጸኪ እዩ። 7 ብዝሒ እቶም ኣብ ልዕሊ ኣሪኤል ዚትንስኡ ኹሎም ኣህዛብ፡ ብዝሒ እቶም ንእኣን
ንዕርዳን ዚወግኡን ዜጽብቡን ኲሎም ከም ሕልምን ራእይ ለይትን ኪኸውን እዩ። 8 ከምቲ ጥሙይ
ብሕልሙ ዚበልዕ፡ ምስ ነቕሔ ግና ነፍሱ ጥራያ እያ፡ ከምቲ ጽሙእ ድማ ብሕልሙ ዚሰቲ፡ ግናኸ ምስ
ነቕሔ፡ እንሆ፡ ይሕለል ነፍሱውን ትጸምእ፡ እቶም ብዙሓት ንኸረን ጽዮን ዚወግእዋ ኹሎም ኣህዛብ
ድማ ከምኡ ኪኾኑ እዮም። 9 ተድነቑን ተገረሙን ተዐመቱን ዑሩን። ሰኹራት እዮም፡ ግናኸ
ኣይብወይንን፡ ሰንከልከል ይብሉ፡ ግናኸ ብብርቱዕ መስተ ኣይኰኑን። 10 እግዚኣብሄርሲ መንፈስ ከቢድ
ምትኻስ ኲዕዩልኩም ኣሎ እሞ፡ ነዒንትኹም ደፊንወን፡ ንነብያትን ንሓለቓታትኩምን ንሰብ ራእይን
ኣጒልቢብዎም ኣሎ። 11 ኲሉ ራእይ ከም ቃላት ሕቱም መጽሓፍ ኰይኑኩም ኣሎ። ንሓደ ንባብ
ዚፈልጥ፡ እንካ እስከ እዚ ኣንብብ፡ ኢሎም እንተ ሀብዎ፡ ንሱ ኸኣ፡ ሕቱም እዩ እሞ፡ ኣይኽእለይን፡
ኢሉ ይመልስ። 12 ወይስ ንሓደ ንባባ ዘይፈልጥ፡ እንካ እስከ እዚ ኣንብብ፡ ኢሎም እንተ ሀብዎ፡ ንሱው፡
ንባብ ኣይፈልጥን እየ፡ ኢሉ ይመልስ። 13 እግዚኣብሄር ከኣ በለ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ብኣፉ ኻብ ዚቐርበኒ፡
ብኸናፍሩውን ካብ ዜኽብረኒ፡ ልቡ ግና ካባይ ካብ ዚርሕቕ፡ እቲ ንኣይ ምፍራሁ ኸኣ ብምህሮ ባህሊ
ሰብ ካብ ዚኸውን፡ 14 ስለዚ እንሆ፡ ኣብ ማእከል እዚ ህዝቢ እዚ ዜደንቕ ተግባር፡ እወ፡ ዜደንቕ ተግባርን
ተኣምራትን ወሲኸ ኽገብር እየ፡ ጥበብ፡ እቶም ጥበበኛታቱ ኺጠፍእ፡ ምስትውዓል እቶም
ኣስተውዓልቱ ኺድፈን እዩ፡ በለ። 15 ነቶም ንምኽሮም ካብ እግዚኣብሄር ኣዕሚቖም ዚሓብኡ፡ ተግባሮም
ከኣ ብጸልማት ዚገብሩ እሞ፡ መን ይርእየና መንከ ይፈልጠና፡ ዚብሉስ ወይለኦም። 16 ኣየ ኣቱም ቔናናት፡
ሰሩሕ ንሰራሒኡ፡ ንስኻ ኣይሰራሕካንን፡ ድኩን ከኣ ንደኳኒኡ፡ ንስኻ ኣይተስተውዕልን ኢኻ፡ ኢሉስ
መሬትዶ ምስ ሰራሒኡ ይመዓራረ እዩ 17 ሊባኖስ ናብ ፍርያም ግራት ኪልወጥ፡ እቲ ፍርያም ግራት ከኣ
ከም ዱር ኪቚጸር፡ ቅሩብ ጊዜዶ ኣይኰነን ተሪፉ ዘሎ 18 በታ መዓልቲ እቲኣ ጸማማት ንቓል እቲ ጽሑፍ
ኪሰምዑ፡ ኣዒንቲ ዕውራት ድማ ካብ ጽልግልግታን ጸልማትን ወጺኤን ኪርእያ እየን። 19 እቶም ዓቃላት
ንሓጐሶም ኣብ እግዚኣብሄር ኬዕዝዝዎ፡ እቶም ኣብ ማእከል ሰብ ዘለው ድኻታት ከኣ በቲ ናይ እስራኤል
ቅዱስ ኪሕጐሱ እዮም። 20 ስለዚ እቲ ጨካን ደጊም ኣይኪህሉን፡ እቲ መላገጺ ኸኣ ጠፊኡ እዩ፡ እቶም
እከይ ኪገብሩ ትልጭ ዚብሉ ኹላቶም፡ 21 እቶም ንሰብ ብሰሪ ሓንቲ ቓል ከም በዳሊ ዚፈርድዎ፡ ነቲ
ኣብ ደገ ዚግስጽ ከኣ መፈንጠራ ዚግትሩሉ፡ ነቲ ጻድቕ ድማ ብኸንቱ ዜርሕቕዎ ኪጸንቱ እዮም። 22
ስለዚ እቲ ንኣብርሃም እተበጀዎ እግዚኣብሄር ንቤት ያእቆብ ከምዚ ይብላ ኣሎ። ደጊምሲ ያእቆብ
ኣይኪሐፍርን ገጹውን ኣይኪጽምሉን እዩ። 23 ንደቁ፡ እቶም ግብሪ ኣእዳወይ፡ ኣብ ማእከሉ ምስ ረኣየ
ግና፡ ሽዑ ንሳቶም ንስመይ ኪቕድሱ፡ ነቲ ናይ ያእቆብ ቅዱስ ድማ ኪቕድሱ፡ ንኣምላኽ እስራኤል ከኣ
ኪፈርሁ እዮም። 24 እቶም ብመንፈስ እተጋገዩ ድማ ኣእምሮ ኺረኽብ፡ እቶም መጕረምረምቲውን
ትምህርቲ ኺምሀሩ እዮም።

# ምዕራፍ 30

1 ኣቱም ተጻረርቲ ደቂ፡ ወይለኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ምኽሪ ትመኽሩ፡ ግናኸ ካባይ ኣይኰነን፡
ሓጢኣት ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክትውስኹስ፡ ኪዳን ትትኣታተው ኣሎኹም፡ ግናኸ ካብ መንፈሰይ

ኣይኰነን። [2] ብሓይሊ ፈርኦን ክትሕይሉ፡ ኣብ ጽላል ግብጺ ኸኣ ክትጽግዑ ኢልኩምሲ፡ ናብ ግብጺ
ትወርዱ ኣሎኹም፡ ግናኸ ንኣፈይ ኣይሐተትኩምን። [3] ስለዚ እቲ ሓይሊ ፈርኦን መነወሪኹም፡ እቲ ኣብ
ትሕቲ ጽላል ግብጺ ምጽጋዕኩም ድማ መሕፈሪኹም ኪኸውን እዩ። [4] መሳፍንቱ ኣብ ጾኣን ኣለው፡
ልኡኻቱውን ናብ ሃኔስ በጽሑ እሞ፡ [5] በቲ ነውርን ሕፍረትን እምበር፡ ገለ እኳ ዘይጠቕሞም፡ ረዲኤትን
ጥቕምን ከኣ ዜብሉ ህዝቢ ኲላቶም ኪሐፍሩ እዮም። [6] ጾር ብዛዕባ ኣራዊት ደቡብ። በታ ዋዕርን ሓየትን
መንደልቶን ዚነፍር ገበልን ብምድሪ ጸበባን ምዕሉባጥን ኣቢሎም፡ ንሃብቶም ኣብ ዝባን ጸዕብ፡ ንዕቋሮም
ከኣ ኣብ መንኰዳ ኣግማል ጽዒኖም፡ ንገለ እኳ ዘይጠቕሞም ህዝቢ የምጽኡሉ። [7] ግብጺ ብኸንቱ
ብብላሽ እያ እትረድእ እሞ፡ ስለዚ ንእኣ፡ ረሃብ ስቕ ኢላ እትቕመጥ፡ ኢለ ሰሚኽዋ። [8] እምበኣርሲ ኺድ
እሞ፡ ኣብ ቅድሚኦም ኣብ ሰሌዳ ሓንጽጾ፡ ንዚመጽእ ጊዜን ንሓዋሩን ንዘለኣለምን ኪነብርሲ፡ ኣብ
መጽሓፍ ጽሐፎ። [9] ዓለወኛ ህዝቢ፡ ሓሰውቲ ውሉድ፡ ንሕጊ እግዚኣብሄር ምስማዕ ዚኣብዩ ውሉድ
እዮም እሞ፡ [10] ነቶም ረኣይቲ፡ ኣይትርኣዩ፡ ንነብያት ከኣ፡ ቅኑዕ ነገር ኣይትነበዩልና፡ ዜሐጒስ ደኣ ንገሩና፡
ጥበራውን ተነበዩልና፡ [11] ካብ ጐደና ኣግልሱ፡ ካብ መገዲ ዝበሉ፡ ነቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ካብ ቅድሜና
ኣርሕቑ፡ ይብሉ። [12] ስለዚ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ ነዚ ቓል እዚ ንዒቕኩም፡ ኣብ
ዓመጽን ኣብ ጐመጽን ተወኪልኩም፡ ንእኡ ጸግዒ እትገብሩስ፡ [13] ስለዚ እዚ ኣበሳ እዚ ኸም ሓደ
ኪወድቕ ዝቐረበ ነቓዕ፡ ከምቲ ብድንገትን ብቕጽበትን ዚፈርስ እተዘዘወ ነዊሕ መንደቕ ኪኾነኩም እዩ፡
[14] ዕትሮ ስራሕ መሬት ከም ዚሰባበር፡ ኪሰባበር እዩ፡ ካብቲ ገልዑ እኳ ሓዊ ኻብ እቶን ዚጽሐሮ፡ወይስ
ማይ ካብ ሓጽቢ ዚቕድሖ ኸም ዘይርከብ፡ ብዘይ ምሕረት ኪሰባበር እዩ። [15] እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እቲ
ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ከምዚ ኢሉ ኣሎ እሞ፡ ብምምላስኩምን ብምህዳእኩምን ክትድሕኑ ኢኹም፡
ሓይልኹም ኣብ ህድኣትን ኣብ ምውካልን ኪኸውን እዩ፡ ግናኸ ኣቤኹም። [16] ንስኻትኩምውን፡
ኣይፋልናን፡ በፍራስ ደኣ ንህድም፡ ስለዚ ኽትህድሙ ኢኹም፡ ኣብ ፈጣናት ኣፍራስ ከኣ ክንቅመጥ
ኢና፡ በልኩም። ስለዚ እቶም ዚሰጒኹም ፈጣናት ኪኾኑ እዮም። [17] ብምፍርራህ ሓደ ሰብኣይ
ካባኻትኩም ሽሕ ኪህድሙ እዮም፡ ከም ጕንዲ ኣብ ርእሲ ኸረን፡ ከም ሰንደቕ ዕላማውን ኣብ ኵርባ
ኽሳዕ እትተርፉ፡ ብምፍርራህ ሓሙሽተ ኽትህድሙ ኢኹም። [18] ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር፡ ጸጋ ምእንቲ
ኺህበኩም ኪጽበ፡ ስለዚውን ምእንቲ ኺምሕረኩም ልዕል ኪብል እዩ። እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ ፍርዲ
እዩ እሞ፡ እቶም ዚጽበይዎ ዘበሉ ዅላቶም ብጹኣን እዮም። [19] እቲ ህዝቢ ኣብ ጽዮን ኣብ የሩሳሌም
ኪነብር እዩ እሞ፡ ድሕርዚ ኣይክትበክን ኢኻ፡ ምስ እተእዊ ብርግጽ ጸጋ ኺህበካ እዩ፡ ኪሰምዕ ከሎ ኸኣ
ኪመልሰልካ እዩ። [20] እግዚኣብሄርሲ እንጌራ ጸበባን ማይ ጭንቀትን ኪህበኩም እዩ፡ ኣዒንትኻ ግና
መምህራንካ ኺርእያ እየን እምበር፡ ደጊምሲ መምህራንካ ኣይኪስወሩን እዮም። [21] ንየማን ወይስ ንጸጋም
እንተ ኣግለስኩም፡ ኣእዛንካ፡ እዚኣ እያ እታ መገዲ፡ ብእኣ ተመላለሱ፡ ዚብል ቃል ኣብ ድሕሬኻ
ኺሰምዓ እየን። [22] ነቲ ናይ ቅርጺ ምስልታትካ ተለቢጥዎ ዘሎ ብሩርን፡ ነቲ ናይ ፍሲ ምስልታትካ
ተጠሊቕዎ ዘሎ ወርቅን ከተርክሶን ከም ርኹስ ነገር ክትጒሕፎን፡ ወጊድ ካብዚ ውጻእ፡ ክትብሎን
ኢኻ። [23] ንሱ ኸኣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝዘራእካዮ ዘርኢ ዝናም ኪህብ፡ ካብቲ ምድሪ ዚርከብ እንጌራ ድማ
ጥዑምን ኣኽልታርፍን ኪኸውን እዩ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ማልካ ኣብ ርሒብ ሽኻታት ኪጓሰያ እየን። [24]
እቶም ንምድሪ ዚሐርሱ ኣብዑርን ጻዕባትን ከኣ ብመስኤን ብሰፍእን ዝጸረየ ጨው ዝጥዕም ድርቋ
ኺበልዑ እዮም። [25] በታ ግምብታት ዚወድቁላ ዓባይ መዓልቲ ቕትለት ከኣ ኣብ ኵሉ ነዋሕቲ ኣኽራንን
ኣብ ኵሉ በረኽቲ ጕድጕዶታትን ርባታትን ወሓይዝትን ኪኸውን እዩ። [26] በታ እግዚኣብሄር
ንመስበርቲ ህዝቡ ዚዘንላ፡ ንቕሱሊ መውቃዕቱ ዜሕውየላ መዓልቲ ኸኣ እቲ ብርሃን ወርሒ ኸም

ብርሃን ጸሓይ ኪኸውን፡ ብርሃን ጸሓይ ድማ ሾብዓተ ዕጽፊ ኸም ብርሃን ሾብዓተ መዓልቲ ኪኸውን
እዩ። 27 እንሆ፡ ስም እግዚኣብሄር ብርሱን ቍጥዓኡን ብዚዕልስ ትክን ካብ ርሑቕ ይመጽእ ኣሎ፡ ከናፍሩ
ብኹራ ምሉእ፡ ልሳኑውን ከም ዚባላዕ ሓዊ እዩ። 28 ነህዛብ ብምሔ ኸንቱነት ኪሔሕዮም፡ ንምንጋጋ
ህዝብታት ከኣ ብዜጋጊ ልጓም ምእንቲ ኺለጕምሲ፡ ትንፋሱ ኸምቲ ኽሳዕ ክሳድ ዚበጽሕ ደምሳሲ
ውሒዝ እዩ። 29 ከምታ ቅዱስ በዓል ዚበዐለላ ለይቲ ኽትዝምሩ ኢኹም፡ ከምቲ ናይ ከረን እግዚኣብሄር፡
ናብቲ ኸውሒ እስራኤል፡ ብቓና እምብልታ ኺድይቡ ኸለው፡ ከምኡውን ልብኹም ኪሕጐስ እዩ። 30
እግዚኣብሄር ድማ ነቲ ኽቡር ድምጹ ኺስምዕ እዩ፡ ንቕልጽሙ ኸኣ ብኹራ ቍጥዓን ብሃልሃልታ
ዚባላዕ ሓውን ብሸሾን ሃጽፍን በእማን በረድን ኣውሪዱ ኼርኢ እዩ። 31 ኣሶር ብሸቦጥ ምስ ወቕዔ፡
ብድምጺ እግዚኣብሄር ኪሰባበር እዩ እሞ፡ 32 ኵሉ መውቃዕቲ እታ እግዚኣብሄር ዜውርደሉ ምድብቲ
ስላዕ ከኣ ብኸበሮን መሰንቆን ኪኸውን እዩ፡ ንሱ ኸኣ መመሊሱ ኢዱ እናልዐለ ኺዋግኦም እዩ። 33
ቶፌት ካብ ቀደም ተዳልያ ኣላ፡ እወ፡ ንንጉስ እኳ ደኣ እያ እተዳለወት፡ ኣዕመቛን ኣርሐባን፡ ኣብኣ ኸኣ
ሓውን ብዙሕ ዕጨይትን ተኹሚሩ ኣሎ፡ ትንፋስ እግዚኣብሄር ከም ውሒዝ ዲን በግ የብላ ኣሎ።

## ምዕራፍ 31

1 እቶም ረዲኤት ደልዮም ናብ ግብጺ ዚወርዱ፡ እምንቶኦም በፍራስ ዚገብሩ፡ ኣብ ዓረብያታት፡
ብዙሓት ስለ ዝኾና፡ ኣብ ፈረሰኛታት ድማ፡ ብርቱዓት ስለ ዝኾኑ፡ ዚውከሉ ወይለኦም። ናብቲ ናይ
እስራኤል ቅዱስ ግና ኣይጥምቱን፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣይደልይዎን። 2 ግናኸ ንሱ ድማ ጠቢብ እዩ፡
ንእከይ የምጽእ፡ ንቓሉ ኸኣ ኣይልውጦን፡ ንምጽራር ቤት እቶም ገበርቲ እከይን፡ ንምጽራር ረዲኤት
ዓመጸኛታትን ድማ ይትንስእ። 3 እምበኣርከ ግብጻውያንሲ ሰብ እዮም፡ ኣምላኽ ኣይኰኑን፡ ኣፍራሶም
ከኣ ስጋ እዮም፡ መንፈስ ኣይኰኑን። እግዚኣብሄር ኢዱ ምስ ዚዝርግሕ ከኣ፡ እቲ ረዳኢ ይዕንቀፍ፡ እቲ
ተረዳኢውን ይወድቕ እሞ ኲላቶም ሐቢሮም ይጠፍኡ። 4 እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉኒ እዩ እሞ፡ ከምቲ
ኣንበሳን ሽደን ኣንበሳን ብዙሓት ጓሶት እኳ ተጻዋዊዖም እንተ መጽዎ ብግዳዩ ዚጓዝም፡ ብድምጾም
ዘይስምብድን ብጭራሕምራሖም ዘይፈርህን፡ ከምኡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ ከረን ጽዮንን
ኣብ ኩድኹዶኣን ምእንቲ ኺዋጋእ ኪወርድ እዩ። 5 ከምተን ዚነፍራ ኣዕዋፍ ገይሩ፡ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ንየሩሳሌም ኬዕቍባ እዩ፡ ኬዕቍባን ኬናግፋን ኪንሕፋን ኬድሕናን እዩ። 6 ኣቱም ደቂ
እስራኤል፡ ናብቲ ኻብኡ ኣዚኹም ዝረሐቕኩም ተመለሱ። 7 በታ መዓልቲ እቲኣ ነቶም ኣእዳውኩም
ንመሕጥኢ ዝገበራኦም ጣኦታት ብሩርን ጣኦታት ወርቅን ነፍሲ ወከፎም ኪድርብይዎም እዮም እሞ፡ 8
ሽዑ ኣሶር ብሰይፊ ኺወድቕ፡ ብናይ ሰብ ኣይኰነን፡ እቲ ናይ ሰብ ዘይኰነ ሰይፊ ኸኣ ኪውሕጦ እዩ።
ካብ ሰይፊ ድማ ኪሀድም እዩ፡ ኣጕባዙውን ገባር ኪኾኑ እዮም። 9 ካብ ፍርሃት እተላዕለ እምባኡ
ኺሐልፍ፡ መሳፍንቱውን ብሰንደቕ ዕላማ ኺፈርሁ እዮም፡ ይብል እቲ ሓው ኣብ ጽዮን፡ እቶኑ ኸኣ ኣብ
የሩሳሌም ዘለዎ እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 32

1 እንሆ፡ ንጉስ ብጽድቂ ኺነግስ እዩ፡ መሳፍንቲ ኸኣ ብቕንዕና ኺገዝኡ እዮም። 2 ሰብ ድማ ካብ ንፋስ
ከም ከውሊ፡ ካብ ህቦብላ ኸም ጻግዒ፡ ኣብ ደረቕ ምድሪ ኸም ወሓዚ ማያት፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ከም

ጽላል ዓብዪ ኸውሒ ኪኸውን እዩ። 3 ኣዒንቲ እቶም ረኣይቲ ኣይኪዖራን፡ ኣእዛን እቶም ሰማዕቲ ኸኣ
ጽን ኪብላ እየን። 4 ልቢ እቶም ዝንጉዓት ፍልጠት ኬስተውዕል፡ ልሳን ወትኣት ከኣ ትኽ ኣቢሉ ኣጽርዩ
ኺዛረብ እዩ። 5 ሕሱምሲ ድሕሪ ደጊም ክቡር ተብሂሉ ኣይኪስመን፡ መጣፍኢ ኸኣ ጐይታ ኣይኪብሀልን
እዩ። 6 ሕሱም ሰብሲ ረሲእነት ምእንቲ ኺገብር፡ ኣብ ልዕሊ እግዚኣብሄር ስሕተት ኪዛረብ፡ ንነፍሲ
ጥሙይ ጥራያ ኺሐድጋ ንጽሙእ ድማ መስተ ምእንቲ ኪኸልኣስ፡ ሕሰም ይዛረብ፡ ልቡ ኸኣ እከይ
ይሰርሕ። 7 መሳርያ መጣፍኢ ተካል እዩ፡ ንሸጉራትን ነቲ ቕንዕና ዚዛረብ ድኻን ብቓል ሓሶት ምእንቲ
ኬጥፍኦምሲ፡ እኩይ ሓሳብ ይጠላለፍ። 8 ክቡር ሰብ ግና ክቡር ሓሳብ ይሐስብ፡ ኣብ ክቡር ነገር ከኣ
ይጸንዕ። 9 ኣትን ጥዒሙክን ዘሎኽን ኣንስቲ፡ ተንስኣ እሞ ድምጻይ ስምዓ፡ ኣትን ግዲ ዜብልክን ኣዋልድ፡
ናብ ዘረባይ ኣድህባ። 10 ምጕናእ ዘቢብ ጠፊኡ፡ ምእራይ ፍሬታት ኣይመጽእን እዩ እሞ፡ ኣትን ግዲ
ዜብልክን ኣንስቲ፡ ድሕሪ ዓመትን ቅሩብ መዓልታትን ክትስምብዳ ኢኽን። 11 ኣትን ጥዒሙክን ዘሎኽን
ኣንስቲ፡ ተሸበራ፡ ኣትን ግዲ ዜብልክን፡ ራዕራዕ በላ፡ ተቐንጠጣ እሞ ጥራይክን ኩና፡ ሓቛቝኽን ድማ
ተዐጠቓ። 12 ስለዚ ጽቡቕ ሸዓብትን ስለቲ ፈረዪ ኣታኽልቲ ወይንን ኣፍ ልበን ኪወቕዓ እየን። 13 ኣብ
ምድሪ ህዝበይ፡ እወ፡ ኣብታ ሕጕስቲ ኸተማ ዘሎ ኹሉ ኣባይቲ ደስታ፡ እሾኹን ተኹርባን ኪበቍል
እዩ። 14 ኣዳራሽ ኪሕደግ እዩ፡ እታ ሰባታእላው ዜብሉ ኸተማ ኽትጽሙ እያ፡ ዕርድን ግምብን ከኣ
ንሓዋሩ በዓትታታን ሓጐስ ኣእዱግ ከደንን መጓሰዩ መጋርያታትን ኪኸውን እዩ እሞ፡ 15 መንፈስ ካብ
ላዕሊ ኽሳዕ ዚከዐወና ከምዚ ኪኸኣን እዩ። ሽው ነቲ ምድሪ በዳ ኽም ፈራዩ ሸዕበት ኪኸውን፡ እቲ
ፈራዩ ሸዕበት ድማ ከም ዱር ኪሰፍር፡ ጽድቂውን ኣብ ፈራዩ ሸዕበት ኪነብር እዩ። 16 ሽው ቕንዕና ኣብ
ምድሪ በዳ ኺሰፍር፡ ጽድቂውን ኣብ ፈራዩ ሸዕበት ኪነብር እዩ። 17 ግብሪ ጽድቅስ ሰላም፡ ፍረ
ጽድቂውን ህድኣትን ደሓንን ንዘለኣለም ኪኸውን እዩ። 18 ህዝበይ ኣብ ማሕደር ሰላምን ኣብ ኣባይቲ
ደሓንን ኣብ ህዱእ ቦታታት ዕረፍትን ኪነብር እዩ። 19 ግናኸ ዱር ብበረድ ኪወድቕ፡ እታ ኸተማውን
ኣዝያ ኽትዋረድ እያ። 20 ኣቱም ኣብ ጥቓ ኹሉ ማያት እትዘርኡን ነእጋር ብዕራይን ኣድግን እትፍንውን፡
ብጹኣን ኢኹም።

# ምዕራፍ 33

1 ኣታ እትዘምት እሞ ዘይተዘመትካ፡ ወይለኻ፡ ኣታ እትጠልም እሞ ዘይተጠለምካ፡ ወይለኻ። ምዝማት
ምስ ፈጸምካ፡ ክትዝመት ኢኻ። ምጥላም ምስ ወዳእካ፡ ኪጠልሙኻ እዮም። 2 ዎ እግዚኣብሄር ምሐረና፡
ንኣኻ ንጽበ ኣሎና። ኣብ ጸጽባሕ ቅልጽሞም፡ ብጊዜ ጸበባ ኸኣ ምድሓንና ኹን። 3 እቶም ህዝብታት በቲ
ህማም ታዕታዕ ይሀድሙ፡ ብምትንሳእካ ኣህዛብ ፋሕ ይብሉ። 4 ኲብኲብታ ኽም ዚእከብ፡ ዘመቴኹም
ይእከብ፡ ኣንበጣ ኽም ዚጐዩ ይጐይዎ ኣለው። 5 እግዚኣብሄር ልዑል እዩ፡ ኣብ ላዕሊ ይነብር እዩ እሞ፡
ንጽዮን ብፍርድን ጽድቅን መሊእዋ ኣሎ። 6 ኣብ ዘመናትካ ህድኣትን ብዝሒ ምድሓንን ጥበብን
ፍልጠትን ኪኸውን እዩ፡ ምፍራህ እግዚኣብሄር ከኣ መዝገቡ እዩ። 7 እንሆ፡ ጀጋኑኦም ኣብ ወጻኢ
ይጭድሩ፡ ልኡኻት ሰላም ከኣ ኣምሪሮም ይበኽዩ ኣለው። 8 መገድታት ባደመ፡ ሓላፍ መገዲ ተሳእነ።
ኪዳን ጠለመ፡ ከተማታት ነዐቐ፡ ንሰብ ገለ እኳ ኣየቋጸሮን። 9 እታ ሃገር ሐዘነትን ሐስኤትን፡ ሊባኖስ
ሐፈረትን ነቐጸትን፡ ሳሮን ከም ምድረ በዳ ኾነት፡ ባሳንን ቀርሜሎስን ድማ ቈጽሉ ረገፈ። 10
እግዚኣብሄር ግና፡ ሕጂ ኽትንስእ፡ ሕጂ ኽለዐል፡ ሕጂ ልዕል ክብል እየ፡ ይብል ኣሎ። 11 ሳዕሪ ትጠንሱ፡
ሓሰር ከኣ ክትወልዱ ኢኹም፡ ትንፋስኩም፡ ዚበልዓኩም ሓዊ እዩ። 12 ህዝብታት ከምቲ ብሓዊ ዝነደደ

ኖራ ይነዱ፡ ከምቲ ኣብ ሓዊ ሞዀ ዚብል ቈጥቋጥ እሾኹ ይዀኑ። 13 ኣቱም ኣብ ርሑቕ ዘሎኹም፡
ዝገበርክዎ ስምዑ፡ ኣቱም ቀረባ ዘሎኹም ከኣ፡ ስልጣነይ ፍለጡ። 14 ኣብ ጽዮን ዘለው ሓጢኣተኛታት
ይስምብዱ ኣለው፡ ንረሲኣን ድማ ራዕዲ ይሕዞም ኣሎ፡ ካባናስ ምስ ዚባላዕ ሓዊ ኺነብር ዚኽእል መን
እዩ ካባናኸ ምስ ናይ ዘለኣለም ባርዕ ኪነብር ዚኽእል መን እዩ 15 እቲ ብጽድቂ ዚመላለስን ቅንዕና
ዚዛረብን፡ ረብሓ ምጭቛን ዚንዕቕ፡ መማለዲ ኸይቅበል ድማ ኢዱ ዚንዝንዝ፡ ብናይ ምኽዓው ደም
ከይሰምዕ ከኣ ኣእዛኑ ዚውትፍ፡ እከይ ከይርኢውን ኣዒንቱ ዚዕምትሲ፡ 16 ንሱ ኣብ በረኻ ኪነብር፡
ኣኻውሕ እምባታት ከኣ ጸግዑ ከኸውን፡ እንጌራኡ ኺረክብ ማዩውን ንሓዋሩ ኣይኪነጽፍን እዩ። 17
ኣዒንትኻ ንንጉስ ብጽባቑኡ ኺርእያኦ፡ ርሑቕ ሰፊሕ ሃገር ከኣ ኪምልከታ እየን። 18 ልብኻ፡ ጸሓፊ ኣበይ
ኣሎ መዛኒ ኣበይ ኣሎ ግምብታት ዝቘጸረስ ኣበይ ኣሎ እናበለ ናብቲ ፍርሂ ኺሐስብ እዩ። 19 ነቲ ጨካን
ህዝቢ፡ ነቲ ዘይስትውዓል ጭንቂ ዝቛንቋኡ፡ ነቲ ዘይስማዕ ወታእ ዝመልሓሱ ህዝቢ ኣይክትርእዮን
ኢኻ። 20 ንጽዮን፡ ነታ ኸተማ በዓላትና፡ ተመልከታ፡ ኣዒንትኻ ንየሩሳሌም፡ ነታ ህድእቲ ማሕደር፡
ዘይትዛናበል ድንኳን፡ መታኸላ ንሓዋሩ ዘይምንቈስ፡ ኣግማዳ ኸኣ ከቶ ዘይብተኽ፡ ኪርእያ እየን። 21
ኣብኣውን እግዚኣብሄር፡ በታ ርሒብ ርባታትን ወሓይዝን ኰይኑ፡ ብግርማኡ ምሳና ኪኸውን እዩ፡
ብመቕዘፍ እትምራሕ መርከብ ኣይትኣትዋን፡ ዓባይ መርከብ ከኣ ኣይትሐልፋን። 22 እግዚኣብሄር
ፈራዲና፡ እግዚኣብሄር ሓጋግ ሕግና እዩ፡ እግዚኣብሄር ንጉስና እዩ እሞ፡ ንሱ ኼድሕነና እዩ። 23
ኣግማድካ ዘሊቑ፡ ነቲ ደቕል ኣጽኒዑ ኣየትርሮን፡ ነቲ ጋንጽላ ኣይግትሮን። ሽዑ እቲ ዘመተ ናይ ብርቱዕ
ምርኮ ይምቀል፡ ሓንካሳት እኳ ምርኮ ይማርኹ። 24 ካብቶም ኣብኣ ዚነብሩስ ሓደ እኳ፡ ሕማቕ እየ፡
ኣይብልን፡ እቲ ኣብኣ ዚነብር ህዝቢ ኣበሳኡ ተሐዲጉሉ እዩ።

## ምዕራፍ 34

1-2 እግዚኣብሄር ኣብ ኲላቶም ኣህዛብ ኲርዩ፡ ኣብ ኲሎም ሰራዊቶም ድማ ተቘጢዑ እዩ እሞ፡ ኣቱም
ኣህዛብ፡ ክትሰምዑ ቕረቡ፡ ኣቱም ህዝብታት፡ ጽን በሉ፡ ምድርን መሊእዋ ዘሎን፡ ዓለምን ካብኣ ዚወጽእ
ዘበለ ኹሉን ይስማዕ፡ ንጥፍኣት መጥይዎም ንማሕርዲ ኸኣ ወፍይዎም እዩ። 3 ቅቱላቶም ይድርበዩ፡
ሬሳታቶም ጺእ ይጨኑ፡ ኣኽራን ድማ ብደሞም ይመክኽ። 4 ኲሉ ሰራዊት ሰማይ ይጠፍእ፡ ሰማያት ከኣ
ከም ብራና ይጥቐለል፡ ኲሉ ሰራዊቱውን ከምቲ ቈጽሊ ኻብ ተኽሊ ወይኒ፡ ከምቲ ዝጸምለወ ቈጽሊ፡
ካብ ኦም በለስ ዚረግፍ፡ ኪረግፍ እዩ። 5 ሴፈይ ኣብ ሰማይ ሰኺሩ እዩ እሞ፡ እንሆ፡ ኣብ ኤዶም፡ ኣብቲ
ህዝቢ መርገመይ፡ ንፍርዲ ኺወርድ እዩ። 6 እግዚኣብሄር መስዋእቲ ኣብ ቦጽራ፡ ኣብ ሃገር ኤዶም ድማ
ብዙሕ ሕሩድ ኪገብር እዩ እሞ፡ ሰይፊ እግዚኣብሄር ብደም ተዐሊሱ፡ ብስብሕን ብደም ገናሽልን
ወጣጡን ብስብሒ ኾላሊት ደዓውልን ከኣ ተሰቢሑ ኣሎ። 7-8 መዓልቲ ሕነ እግዚኣብሄር፡ ዓመት
ምፍዳይ ኢድ ብናይ ነገር ጽዮን እዩ እሞ፡ ምሳታቶም ድማ ጎባያትን ኣረውሕን ዝራብዓትን ይወድቁ፡
ሃገሮም ብደም ይሰክር፡ ሓመዱም ብስብሒ ይስባሕ ኣሎ። 9 ወሓይዝ ናብ ቅጥራን፡ ሓመድ ኸኣ ናብ ዲን
ኪልወጥ፡ ሃገራውን ነዳዲ ቕጥራን ኪኸውን እዩ። 10 ምንዳዳ ለይትን መዓልትን ኣይጠፍእን፡ ትካ
ንዘለኣለም ይተክኽ፡ እታ ሃገር ንውሉድ ወለዶ ትባድም፡ ንዘለኣለም ሓድ እኳ ኣይሐልፋን። 11
ኣባጕምባሕን ቅንፍዝን ናቶም ይገብርዋ፡ ጕንጓን ኳኹን ይነብርዋ፡ ናይ ምብራስ ገመድ መስፈርን ናይ
ምብዳም ሚዛን መለከዕን ይዝርግሓላ። 12 ካብቶም ንምንጋስ ዚበቕዑ ጭዋታታ ሓደ እኳ የልቦን፡
ኲላቶም መሳፍንታ ኸኣ ምናምን ይዀኑ። 13 እሾኹ ኣብ ኣደራወታ፡ ኣምዔን ተኾርባን ከኣ ኣብ

ዕርድታታ ይበቊል፡ መሳፍሮ ወኻሩን መውዓል ሰገንን ትኸውን። [14] ኣራዊት በረኻን ኣኽላባት መሮርን
ኣብኡ ይራኸቡ፡ ኣጋንንቲ ኸኣ ይጻዋውዑ፡ ዛር ለይቲ ድማ ኣብኡ ይነብር፡ ቦታ ዕረፍቲውን ይረኽበላ። [15]
ተመን ኣብኡ ቤቱ ይገብር፡ እንቋቝሖኡ ድማ የውድቕ፡ ኣንቊሑ ንወለልዱ ኣብ ጽላሉ ይእክቦም፡
ኣብኣውን ኣሞራታት ተኣኪቦም ንሓድሕዶም ይራኸቡ። [16-17] ኣብ መጽሓፍ እግዚኣብሄር ድለዩን
ኣንብቡን፡ ኣፈይ እዩ ዚእዝዝ፡ መንፈሱ እዩ ዚእክቦም ዘሎ፡ ንሱ እዩ ዕጭ ዜውድቐሎም፡ ኢዱ ኸኣ እያ
ብገመድ መለከዒ ንእኣ ዝመቐለትሎም እሞ፡ ንዘለኣለም ኪሕዝዋ ንውሉድ ወለዶውን ኪነብርዋ እዮም፡
ካብዚኣቶም ሓደ እኳ ኣይኪስኣንን እዩ፡ ንብጻዩ ዚስእን የልቦን።

# ምዕራፍ 35

[1] በረኻን ምድረ ኣጻምእን ኪሕጐሱ፡ ምድረ በዳ ኸኣ እልል ኪብል፡ ከም ጽጌረዳ ድማ ኪዕምብብ እዩ።
[2] ኣጸቢቑ ኺዕምብብ፡ ብሓጐስን ብእልልታን ባህ ኪብል፡ ክብሪ ሊባኖስን ጌጽ ቀርሜሎስን ሳሮንን
ኪወሀቦ እዩ፡ ንኽብሪ እግዚኣብሄርን ንጌጽ ኣምላኽናን ኪርእዩ እዮም። [3] ነተን ዝሰነፉ ኣእዳው ኣበርትዑ፡
ነተን ወለል ዝበላ ኣብራኽ ድማ ኣደልድሉ። [4] ነቶም ፈራህ ዝልቦም፡ ኣጆኹም፡ ኣይትፍርሁ፡ እንሆ፡
ኣምላኽኩም ምስ ሕነን ምስ ናይ ኣምላኽ ምፍዳይ ኢድን ኪመጽእ፡ ባዕሉ ኼድሕነኩም ኪመጽእ እዩ፡
በልዎም። [5] ሽዑ ኣዒንቲ ዕውራት ኪኽፈታ፡ ኣእዛን ጸማማት ከኣ ጋህ ኪብላ እየን። [6] ሽዑ ሓንካስ ከም
እራብ ኪሰርር፡ ልሳን እቲ ዓባስ ከኣ እልል ኪብል፡ ማያት ኣብ በረኻ፡ ወሓይዝ ድማ ኣብ ምድረ በዳ
ኺፍልፍል እዩ እሞ፡ [7] ምድሪ ረመጨትሲ ቐላይ፡ ምድሪ ኣጻምእ ከኣ ዓይኒ ማያት ኪኸውን እዩ፡ እቲ
ወኻሩ መሳፍሮ ዚገብራሉ ስፍራስ መብቌል ሰትን ሰልሰላን ሻምብቆን ኪኸውን እዩ። [8] መገዲ ጽርግያ
ኣብኡ ኽትከውን እያ፡ ቅድስቲ መገዲ ኽትበሀል እያ፡ ርኹስ ዘበለ ኣይኪሐልፉን እዩ፡ ንኣታቶም ጥራይ
እያ፡ እቲ ብእኣ ዚኸይድ፡ ዓሻ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣይኪጋገን፡ እዩ። [9] ኣንበሳ ኣብኡ ኣይኪህሉን፡ ግርጉር
ኣራዊት ኣይኪድይባን፡ ኣብኣውን ኣይኪርከብን እዩ፡ ድሑናት ደኣ ይመላለሱላ። [10] እቶም እግዚኣብሄር
እተበጀዎም ኪምለሱ፡ እልል እናበሉ ናብ ጽዮን ኪመጹ እዮም፡ ዘለኣለማዊ ሓጐስ ከኣ ርእሶም ኪኸልል
እዩ፡ ደስታን ሓጐስን ኪረኽቡ እዮም፡ ጓህን እህህታን ኪሀድም እዩ።

# ምዕራፍ 36

[1] ኰነ ድማ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመቱ ንንጉስ ህዝቅያስ፡ ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር ናብተን
ዕሩዳት ከተማታት ይሁዳ ኹላተን ደዪቡ ሐዘን። [2] ንጉስ ኣሶር ከኣ ናብ ንጉስ ህዝቅያስ ካብ ላኪሽ ናብ
የሩሳሌም ንረብሳቁ ብዙሕ ሰራዊት ኣትሒዙ ለኣኾ፡ ንሱውን ኣብ ጥቓ እቲ ላዕላይ ሓጽቢ መስኖ፡
ብመገዲ ግራት መስተይ ቀለም ደው በለ። [3] ሽዑ ኤልያቂም፡ ወዲ ህልቅያ እቲ ኣዛዝ ቤትን ሸብና እቲ
ጸሓፍን ዮኣህ ወዲ ኣሳፍ፡ እቲ ጸሓፍ ክብረ ነገስትን ናብኡ ወጹ። [4] ረብሳቄ ኸኣ በሎም፡ ንህዝቅያስ በል፡
እቲ ዓብዩ ንጉስ፡ ንጉስ ኣሶር፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እዛ እትውከላ ዘሎኻ ትውክልቲ እንታይ እያ [5]
ንውግእስ ምኽርን ዓቕምን ኣሎኒ፡ ምባልካ ቓል ከናፍር ጥራይ እዩ፡ እብለካ ኣሎኹ፡ ካባይ እትሸፍትሲ
ኣብ መን ተወኪልካ ኢኻ [6] እንሆ፡ በቲ ስቡር ምርኩስ ወምብቆ፡ ብግብጺ፡ ትውከል ኣሎኻ። ሰብ እንተ
ተመርኰሶ፡ ኣብ ኢዱ ይኣቱ እሞ የንኩሎ። ፈረኦን ንጉስ ግብጺ ኸኣ ነቶም ዚውከልዎ ኹሎም ከምኡ
እዩ። [7] ንሕናስ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽና ኢና እንውከል፡ እንተ በልካኒ፡ ንሱዶ ኣይኰነን፡ ህዝቅያስ

ንይሁዳን ንየሩሳሌምን፡ ኣብ ቅድሚ እዚ መሰውኢ እዚ ስገዱ፡ እናበለ ንኹረቢቱን መሰውኢታቱን
ዘፍረሰሉ [8] እስከ እጂ ምስ ጐይታይ፡ ምስ ንጉስ ኣሶር፡ ተዋራረድ፡ ንስኻ ዚቕመጥዎም ፈረሰኛታት
ክትረክብ እንተ ኽኢልካ፡ ኣነ ኽልተ ሽሕ ፈረስ ክህበካ እየ። [9] ከመይ ጌርካኸ ንሓደ ፊተውራሪ ናይቶም
ናእሽቱ ሓሽከር ጐይታይ፡ ገጽ ንድሕሪት ክትመልስ ትኽእል ግናኸ ብናይ ግብጺ ሰረገላታትን
ፈረሰኛታትን ተወኪልካ ኣሎኻ። [10] ሕጂኸ ብዘይ ፍቓድ እግዚኣብሄር ድዩ ነዛ ሃገር ከጥፍኣ ዝደየብኩ
እግዚኣብሄር እዩ፡ ናብዛ ሃገር ደይብካ ኣጥፍኣያ፡ ዝበለኒ። [11] ሽዑ ኤልያቂምን ሸብናን ዮኣህን ንረብሳቁ፡
ቋንቋ ሶርያ ንፈልጦ ኢና እሞ፡ ንባሮትካ ኼታ ብእኡ ተዛረበና፡ ግናኸ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣብ ቀጽሪ
ዘለው ህዝቢ ብዘረባ ይሁዳ ኣይትዛረበና፡ በልዎ። [12] ረብሳቁ ግና፡ ጐይታይሲ እዘን ቃላት እዚኤን
ክዛረብ ናብ ጐይታኻን ናባኻን ድዩ ዝለኣኸኒ ናብቶም ውጽኣቶም ኪበልዑን ሽንቶም ኪሰትዩን
ምሳኻትኩም ኣብ ቀጽሪ ተቐሚጦም ዘለው ሰብኡትዶ ግዳ ኣይኮነን ዝለኣኸኒ በለ። [13] ድሕርዚ ረብሳቁ
ደው በለ እሞ ዓው ኢሉ ብዘረባ ይሁዳ ጨደረ በለውን፡ ዘረባ እቲ ዓብዪ ንጉስ፡ ንጉስ ኣሶር፡ ስምዑ፡ [14]
እቲ ንጉስ ከምዚ ይብል፡ ህዝቅያስ ከናግፈኩም ኣይኽእልን እዩ እሞ፡ ኣይጠብርኩም። [15] ህዝቅያስ፡
እግዚኣብሄር ብርግጽ ኬናግፈና እዩ፡ እዛ ኸተማውን ኣብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ኣይክትወሀብን እያ፡ እናበለ
ኣብ እግዚኣብሄር ኣየወከልኩም። [16-17] ንጉስ ኣሶር፡ ኣነ ኽሳዕ ዝመጽእ እሞ ናብ ምድርኹም ዚመስል፡
ምድሪ እኽልን ወይንን ምድሪ እንጌራን ኣታኽልቲ ዘቢብን ክሳዕ ዘብጽሓኩም፡ ምሳይ ተዐረቑ፡ ናባይ
ውጹ፡ ንፍሲ ወከፍኩም ካብ ተኽሊ ወይኑ፡ ነፍሲ ወከፍኩምውን ካብ ኦም በለሱ ይብላዕ፡ ነፍሲ
ወከፍኩም ማይ ዔላኡ ይስተ፡ ይብል ኣሎ እሞ፡ ንህዝቅያስ ኣይትስምዕዎ። [18] ህዝቅያስ፡ እግዚኣብሄር
ኬናግፈና እዩ፡ ኢሉ ኣይሕበልኩም። ሓደ ኻብቶም ኣማልኽቲ ኣህዛብሲ ንሃገሩ ኻብ ኢድ ንጉስ ኣሶር
ዘናገፉዶ ኣሎ [19] ኣማልኽቲ ሃማትን ኣርጳድን ኣበይ ኣለው ኣማልኽቲ ሰፈርዋይም ኣበይ ኣለው
ንሰማርያስ ካብ ኢደይዶ ኣናገፎምዋ እዮም [20] ካብ ኲሎም ኣማልኽቲ እዘን ሃገራት እዚኤን ንሃገሩ ኻብ
ኢደይ ዘናገፈ ኣየናይ እዩ እግዚኣብሄርከ ንየሩሳሌምዶ ኻብ ኢደይ መናገፋ [21] ንሳቶም ግና ኣጽቀጡ፡ እቲ
ንጉስ፡ ኣይትምለሱሉ፡ ኢሉ ኣዚዝዎም ነበረ እሞ፡ ሓንቲ ቓል እኳ ኣይመለሱሉን። [22] ድሕርዚ
ኤልያቂም፡ ወዲ ህልቅያ እቲ ኣዛዚ ቤትን ሸብና እቲ ጸሓፍን ዮኣህ ወዲ ኣሳፍ፡ እቲ ጸሓፍ ክብረ ነገስትን
ክዳውንቶም ቀዲዶም ናብ ህዝቅያስ ኣተው፡ ቃላት ረብሳቁ ኸኣ ነገርዎ።

## ምዕራፍ 37

[1] ኰነ ድማ፡ ንጉስ ህዝቅያስ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ክዳውንቱ ቐደደ፡ ከሊ ተኸዲኑ ናብ ቤት እግዚኣብሄር
ኣተወ። [2] ንኤልያቂም፡ ነቲ ኣዛዚ ቤትን ንሸብና እቲ ጸሓፍን ነቶም ሽማግሌታት ካህናትን፡ ከሊ
ብኸዱናቶም፡ ናብ ነብዪ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ለኣኾም። [3] ንሳቶም ከኣ በልዎ፡ ህዝቅያስ ከምዚ ይብል፡
ውሉድ ኪውለዱ ቐሪቦም ኣለው፡ ንምውላድ ግና ሓይሊ ተሳኢኑ እዩ እሞ፡ እዛ መዓልቲ እዚኣ መዓልቲ
ጸበባን ዘለፋን ጸርፍን እያ። [4] ምናልባሽ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ነተን ቃላት ናይቲ ንህያው ኣምላኽ
ኪጸርፍ ኢሉ ጐይታኡ፡ ንጉስ ኣሶር፡ ዝለኣኾ ረብሳቁ ሰሚዑ ይህሉ፡ ስለ እዘን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ
ዝሰምዔን ቃላት ከኣ ኪቕጽዖ እዩ። ስለዚ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ተረፍሲ ጸሎት ኣዕርግ። [5] እቶም ኣገልገልቲ
ንጉስ ህዝቅያስ ከኣ ናብ ኢሳይያስ መጹ። [6] ኢሳይያስ ድማ በሎም፡ ንጐይታኹም ከምዚ በልዎ፡
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ በተን ሓሽከር ንጉስ ኣሶር ንኣይ ዝጸረፉለን ንስኻውን ዝሰማዕካየን ቃላት
ኣይትፍራህ። [7] እንሆ፡ ኣነ መንፈስ ኪሰደሉ እየ፡ ወረ ሰሚዑ ኸኣ ናብ ሃገሩ ኺምለስ እዩ፡ ኣብ ሃገሩውን

ብሰይፊ ኸውድቖ እየ። 8 ሽዑ ረብሳቄ ተመልሰ፡ ንጉስ ኣሶር ካብላኪሽ ከም ዝነቐለ ሰሚዑ ነበረ እሞ፡
ንሊብና ኺዋግኣ ኸሎ ረኸቦ። 9 ብዛዕባ ቲርሃቃ ንጉስ ኢትዮጵያ፡ ኪዋግኣካ ወጺኡ ኣሎ፡ ዚብል ወረ
ሰምዔ። እዚ ምስ ሰምዔ ኸኣ፡ ከምዚ ዚብሉ ልኡኻት ናብ ህዝቅያስ ለኣኸ፡ 10 ንህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ
ከምዚ በልዎ፡ እቲ እትውከሎ ዘሎኻ ኣምላኽካ፡ የሩሳሌም ናብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ኣይክትውሀብን እያ
ብምባሉ ኣየስሕትካ። 11 እንሆ፡ ነገስታት ኣሶር ንኹለን ሃገራት ዝገበርወን ሰሚዕካ ኣሎኻ፡ ንብዘለዋ
ኣጥፊኦምወን እዮም እሞ ንስኻ ዲኻ እትናገፍ 12 ነቶማ ኣቦታተይ ዘጥፍእዎም ኣህዛብ፡ እኒጎዛንን ሃራንን
ሬጽፍን እቶም ኣብ ቴላሳር ዝነበሩ ደቂ ኤደንን፡ ኣማልኽቶምንዶ ኣናጊፎምዎም እዮም 13 ንጉስ ሃማትን
ንጉስ ኣርጳድን ንጉስ ከተማ ሰፋርዋይምን ናይ ሃናእን ናይ ኢዋህን ኣበይ ኣለው 14 ህዝቅያስ ከኣ ነታ
ደብዳበ ኻብ ኢድ እቶም ልኡኻት ተቐቢሉ ኣንበባ፡ ህዝቅያስ ድማ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደየበ፡ ኣብ
ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘርግሓ። 15 ህዝቅያስ ከኣ ከምዚ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ፡ 16 ዎ እግዚኣብሄር፡
ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ኣብ ኪሩቤል ተቐሚጥካ ዘሎኻ፡ ኣምላኽ ኲለን መንግስትታት
ምድሪ ንስኻ በይንኻ ኢኻ፡ ንስኻ ኢኻ ሰማይን ምድርን ዝገበርካ። 17 ዎ እግዚኣብሄር፡ እዝንኻ ጽሎ
እሞ ስማዕ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣዒንትኻ ኽፈት እሞ ርኤ፡ ነተን ንህያው ኣምላኽ ኪጸርፍ ኢሉ ዝለኣኾን
ኲለን ቃላት ሰናክሬብ ስማዕ። 18 ዎ እግዚኣብሄር፡ እቶም ነገስታት ኣሶር ንኹለን ሃገራትን ምድሮምን
ከም ዘዕነውስ፡ ሓቂ እዩ። 19 ንኣማልኽቶም ድማ ናብ ሓዊ ደርብዮዎም፡ ስራሕ ኢድ ሰብ፡ ዕጭን
እምንን እዮም እምበር፡ ኣማልኽቲ ኣይኮኑን፡ ስለዚ ኣጥፍእዎም። 20 ሕጂ ግና፡ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽና፡ ኲለን መንግስትታት ምድሪ ንስኻ በይንኻ እግዚኣብሄር ምዃንካ ምእንቲ ኺፈልጣ፡ ካብ
ኢዱ ኣድሕነና። 21 ሽዑ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ናብ ህዝቅያስ ከምዚ ኢሉ ለኣኸ፡ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ
እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነቲ ብናይ ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር ዝለመንካኒ፡ 22 እግዚኣብሄር ብዛዕባኡ
ዚብሎ ቓል እዚ እዩ፡ እታ ድንግል ጓል ጽዮን ትንዕቀካን ተላግጸልካን ኣላ፡ ጓል የሩሳሌም ብድሕሬኻ
ርእሳ ትንቕንቐልካ ኣላ። 23 ንመን ኣባጨኻን ጸረፍካን ድምጽኻኸ ኣብ ልዕሊ መን ኣልዐልካ በዒንትኻስ
ንመን ኣፋጠጥካሉ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ኢኻ። 24 ብሓሸከርካ ጌርካ ንእግዚኣብሄር
ከምዚ ኢልካ ጸረፍካዮ፡ ብብዝሒ ሰረገላታተይ ናብ ርእሲ ኣኽራን፡ ኣብ ዓቐበት ሊባኖስ ደይበ፡ ነቲ
ጸጽቡቕ ኣጽሕዱን ነነዋሕቲ ኣእዋሙን ክቘርጾ እየ፡ ናብቲ ላዕላይ ጫፍን ናብቲ ዕሙር ዱሩን ክበጽሕ
እየ። 25 ኲዒተ ማይ ሰቴኹ፡ ብኸብዲ ኣእጋረይ ንኹሉ ርባታት ግብጺ ኽንጽፎ እየ። 26 ነዚ ኻብ ቀደም
ከም ዘዳሎኽዎ፡ ካብ ጥንቲ ኸኣ ከም ዝደኮንክዎ፡ ኣይሰማዕካን ዲኻ ሕጂውን ክፍጽሞ እየ፡ ንስኻ ነተን
ዕሩዳት ከተማታት ኣፍሪስካ ኲምራ ዖናታት ክትገብረን ኢኻ። 27 እቶም ኣብኤን ዚነብሩ ሰነፉን
ሰምበዱን ሐፈሩን፡ ከም ሳዕሪ መሮርን ከም ልሙዕ ቈጽልን ከም ሳዕሪ ናሕስን ከምቲ ኸይበቘለ ዚሀጒጕ
ዘርእን ኰነ። 28 ኣነ ግና ምቕማጥካን ምውጻእካን ምእታውካን ኣብ ልዕለይ ምንዳርካን እገልጥ ኣሎኹ።
29 ኣብ ልዕለይ ስለ ዝነደርካ ድፍረትካውን ኣብ ኣእዛነይ ስለ ዝበጽሔ፡ ስለዚ ኣብ ኣፍንጫኻ ሳንቀይ፡
ኣብ ኣፍካ ድማ ልጓመይ ክገብር እየ፡ በታ ዝመጻእካላ መገዲውን ክመልሰካ እየ። 30 እዚ ኸኣ ምልክት
ይኹነልካ፡ ሎምዘመን ካብቲ ባዕሉ ዝበቘለ ቐሪም፡ ንዓመታ ኸኣ ባልጋ ኽትበልዑ ኢኹም፡ ኣብታ
ሳልሰይቲ ዓመት ድማ ክትዘርኡን ክትዐጽዱን ኣታኽልቲ ወይኒ ኽትተኽሉን ኢኹም እሞ ፍሪኡ
ኽትበልዑ ኢኹም። 31-32 ተረፍ ካብ የሩሳሌም፡ እቶም ድሑናት ከኣ ካብ ከረን ጽዮን ኪወጹ እዮም
እሞ፡ እቲ ኻብ ቤት ይሁዳ ዝደሐነ ተረፍ ከም ብሓድሽ ንታሕቲ ሱር ኪሰድድ፡ ኣብ ላዕሊ ድማ ፍረ
ኺፈሪ እዩ። ቅንኣት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዚ ኺገብር እዩ። 33 ስለዚ ብዛዕባ ንጉስ ኣሶርሲ
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ኣይኪኣቱን፡ ፍላጻ ኸኣ ኣይኪውርውረላን፡ ብዋልታ

መኪቱ ኣይኪቐርባን፡ ብቐጽሪውን ኣይኪኸባን እዩ። [34-35] ምእንቲ ርእሰይን ምእንቲ ዳዊት ባርያይን ኢለ
ነዛ ኸተማ እዚኣ ኽድሕናስ ክከላኸለላ እየ እሞ፡ በታ ዝመጸላ መገዲ ኺምለስ፡ ናብዛ ኸተማ እዚኣውን
ኣይኪኣቱን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [36] መልኣኽ እግዚኣብሄር ወጺኡ ኣብ ሰፈር ኣሶራውያን ሚእትን
ሰማንያን ሓሙሽተን ሽሕ ሰብኣይ ወቕዔ። ንጽብሒቱ ኣንጊሆም ምስ ተንስኡ፡ እንሆ፡ ኣብ ኲሉ ስፍራ
ሬሳታት ጸንሕዎም። [37] ሰናክሬብ ንጉስ ኣሶር ድማ ነቒሉ ኸደ፡ ናብ ነነዌ ተመሊሱ ኸኣ ተቐመጠ። [38] ኰነ
ድማ፡ ኣብ ቤት ኒስሮክ ኣምላኹ ኺሰግድ ከሎ፡ ደቁ ኣድራሜሌክን ሳሬጽን ብሰይፊ ቐተልዎ፡ ናብ
ምድሪ ኣራራት ከኣ ሀደሙ፡ ኤሳር  ሃዶን ወዱ ድማ ኣብ ክንዳኡ ነገሰ።

## ምዕራፍ 38

[1] በቲ ዘመን እቲ ህዝቅያስ ንሞት ክሳዕ ዚዋላእ ሐመመ። ነብዩ ኢሳይያስ ወዲ ኣሞጽ ከኣ ናብኡ
መጺኡ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ክትመውት ኢኻ እምበር፡ ኣይክትሐውን ኢኻ እሞ፡ ብናይ
ሓዳርካ ተላቦ፡ በሎ። [2-3] ሽዑ ህዝቅያስ ገጹ ናብ መንደቕ መሊሱ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ዑቕባኻ፡ ብሓቅን
ብፍጹም ልብን ኣብ ቅድሚ ገጽካ ኽም እተመላለስኩን፡ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ሰናይ ከም ዝገበርኩን
ዘክር፡ ኢሉ ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ። ህዝቅያስ ድማ መሪር ብኽያት በኸየ። [4] ሽዑ ኸምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ናብ ኢሳይያስ መጸ፡ [5] ኪድ እሞ ንህዝቅያስ ንገሮ፡ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ዳዊት ኣቦኻ፡
ጸሎትካ ሰሚዔ፡ ንብዓትካ ርእየ፡ እንሆ፡ ኣብ ዕድሜኻ ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመት ክውስኸልካ እየ። [6]
ንኣኻን ነዛ ኸተማ እዚኣን ካብ ኢድ ንጉስ ኣሶር ከናግፈኩም እየ፡ ነዛ ኸተማውን ክከላኸለላ እየ፡ ይብል
ኣሎ። [7] እግዚኣብሄር ነዚ ዝበሎ ቓል ከም ዚፍጽሞ፡ እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ምልክት ይኹንካ፡ [8] እንሆ፡
ነቲ ብምኽንያት ጸሓይ ኣብታ ናይ ኣካዝ መድረኽ ዝወረደ ጽላሎት መድረኽሲ ዓሰርተ መድረኽ
ንድሕሪት ኣቢለ ኽመልሶ እየ። ጸሓይ ከኣ በቲ ዝወረደቶ መድረኽ ዓሰርተ መድረኽ ንድሕሪት ኣቢላ
ተመልሰት። [9] ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ሓሚሙ ነይሩ ምስ ሐወየ፡ ዝጸሐፎ ጽሕፈት፡ [10] ኣነስ፡ ኣብቲ
ጣዕሚ ዕድመይ ከሎኹ፡ ናብ ደጌታት ሲኦል እኸይድ፡ ነተን ዝተረፉ ዓመታተይ እስእነን ኣሎኹ፡
በልኩ። [11] ደጊም ንእግዚኣብሄር፡ ኣብ ምድሪ ህያዋን ንእግዚኣብሄር ኣይክርእዮን እየ፡ ምስቶም ኣብ
ሲኦል ዘለው ሰብ ኰይነ፡ መሊሰ ሰብ ኣይክርእን እየ፡ በልኩ። [12] ማሕደረይ ፈረሰት፡ ከም ድንኳን ጓሳ
ኸኣ ካባይ ጕዐዘት፡ ንህይወተይ ከም ኣላማይ ጠቕሊለያ ኣሎኹ፡ ንሱውን ካብ መዋጥር ኪቘርጸኒ እዩ፡
ምድሪ ኽይመሰየ ትጥርሰኒ። [13] ክሳዕ ዚወግሕ ሀዳእኩ፡ ንሱ ግና ከም ኣንበሳ ንዅሉ ዓጸጽምተይ
ሰባበሮ። ምድሪ ኽይመሰየ ትጥርሰኒ። [14] ከም ለኺዅቶ፡ ከም ራዛ ጭቕጭቕ በልኩ፡ ከም ርግቢ
ቘዘምኩ፡ ኣዒንተይ ላዕሊ ብምጥማት ተሐለላ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ እጭነቕ ኣሎኹ፡ ዋሕሰይ ኩን። [15]
እንታይ እሞ ኽብል ንሱ ተዛሪቡኒ ኣሎ፡ ንሱ ኸኣ ገበሮ። ብዛዕባ ምረት ነፍሰይ ብዅለን ዓመታተይ
ብህድኣት ከመላለስ እየ። [16] ዎ እግዚኣብሄር፡ ሰብ በዚ ኸምዚ እዩ ብህይወት ዚነብር፡ ህይወት
መንፈሰይ ከኣ በዚ ዅሉ እዩ። እምበኣርሲ ኣሕውየኒ ህይወትውን ምለሰለይ። [17] እንሆ፡ እዚ ዓብዩ
ምረት ንሰላመይ ኰነ፡ ንስኻ ንዅሉ ሓጢኣተይ ናብ ድሕሪ ዝባንካ ደርቢኻዮ ኢኻ እሞ፡ ንነፍሰይ
ኣፍቂርካ ኻብ ጕድጓድ ጥፍኣት ኣናገፍካያ። [18] ሲኦል ኣየመስግነካን፡ ሞት ኣይውድሰካን፡ እቶም ናብ
ጕድጓድ ዚወርዱ ብሓቅኻ ተስፋ ኣይገብሩን እዮም እሞ፡ [19] እቲ ህያው፡ እቲ ህያው፡ ከምዚ ኣነ ሎሚ
ዝገብሮ ዘሎኹ፡ የመስግነካ፡ ኣቦ ንውሉዱ ሓቅኻ ኼፍልጦም እዩ። [20] እግዚኣብሄር እዩ ዘድሐነኒ፡ ስለዚ
ብመዓልትታት ህይወትና ዅሉ ኣብ ቤት ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ንመዛሙረይ ብመሰንቆ ኽንዝምሮ

ኢና። [21] ኢሳይያስ ግና፡ ጽባጥ በለስ ገይሮም፡ ነቲ ዝሐበጠ ይለብጥዎ እሞ ኪሐዊ እዩ፡ ኢሉ ነበረ። [22]
ህዝቅያስ ድማ፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ክድይብሲ ምልክቱ እንታይ እዩ በለ።

## ምዕራፍ 39

[1] በታ ጊዜ እቲኣ መሮዳክ በላዳን፡ ወዲ በላዳን ንጉስ ባቢሎን፡ ህዝቅያስ ሐሚሙ ኸም ዝሐወየ ሰሚዑ
ነበረ እሞ፡ ደብዳበን ገጽ በረኸትን ሰደደሉ። [2] ህዝቅያስ ድማ ብኣታቶም ተሐጕሰ እሞ ነቲ ቤት
መዝገቡ፡ ንብሩርን ወርቅን ቅዲትን ነቲ ኽቡር ዘይትታትን ንዅሉ ቤት መሳርያኡን ነቲ ኣብ መዝገቡ
ዝጸንሖ ዅሉን ኣርኣዮም። ኣብ ቤቱን ኣብ መንግስቱን ዅሉን ህዝቅያስ ዘየርኣዮም ሓንቲ እኳ
ኣይተረፈትን። [3] ሽዑ ነብዪ ኢሳይያስ ናብ ንጉስ ህዝቅያስ መጺኡ፡ እዞም ሰባት እንታይ በሉ ካበይከ
ናባኻ መጹ በሎ። ህዝቅያስ ድማ፡ ካብ ርሑቕ ሃገር፡ ካብ ባቢሎን ናባይ ዝመጹ እዮም፡ በለ። [4] ንሱ
ኸኣ፡ ኣብ ቤትካኸ እንታይ ረኣዩ ኢሉ ሐተተ። ህዝቅያስ ድማ፡ ኣብ ቤተይ ዘሎ ዅሉ ርእዮም፡ ካብቲ
ኣብ መዛግበይ ዘሎ ዅሉ ሓንቲ እኳ ዘየርኤኽዎም የልቦን፡ ኢሉ መለሰ። [5] ሽዑ ኢሳይያስ ንህዝቅያስ
በሎ፡ ንቓል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ስምዓዮ፡ [6] እንሆ፡ ነቲ ኣቦታትካ ኽሳዕ ሎሚ ዝኣከብዎ ኣብ
ቤትካ ዘሎ ዅሉ፡ ሓንቲ እኳ ኸይተረፈት፡ ናብ ባቢሎን ዚወስዱለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [7] ነቶም ካባኻ ዚወጹ እትወልዶም ኣወዳትካ ኸኣ ኪወስድዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ኣዳራሽ
ንጉስ ባቢሎን ውሽጠ ሓሽከር ኪዀኑ እዮም። [8] ህዝቅያስ ከኣ ንኢሳይያስ፡ እቲ እተዛረብካዮ ቓል
እግዚኣብሄር ጽቡቕ እዩ፡ በሎ። ደጊሙ ኸኣ፡ ብዘመነይሲ ሰላምን ደሓንን ደኣ ይኸውን፡ በለ።

## ምዕራፍ 40

[1] ንህዝበይ ኣጸናንዑ፡ ኣጸናንዑ፡ ይብል ኣምላኽኩም። [2] ንልቢ የሩሳሌም ተዛረቡ፡ ጸበባኣ ኸም
እተፈጸመ፡ ኣበሳኣ ኸም እተሐድገላ፡ ስለ ዅሉ ሓጢኣታ ድማ ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ካዕበት ከም
ዝረኸበት ኣውጁ። [3] ድምጺ ኣዋጂ ይኣውጅ፡ መገዲ እግዚኣብሄር ኣብ በረኻ ኣዳልው፡ ኣብ ምድሪ
ኣጻምእ ከኣ ንኣምላኽና ጽርግያ ኣቕንዑ። [4] ሽንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ኲሉ ኣኽራንን በረኽትን ድማ
ለጠቕ ይበል፡ ቈናን ይቕናዕ ድንጕር ከኣ ሰጥ ዝበለ ስፍራ ይዅን። [5] ኣፍ እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡
ክብሪ እግዚኣብሄር ኪግለጽ፡ ኲሉ ስጋ ኸኣ ሐቢሩ ኺርእዮ እዩ። [6] ድምጺ፡ ኣውጅ፡ ይብል። ሓደ ኸኣ፡
እንታይ ኢለ ኽእውጅ በለ። ስጋ ዘበለ ዅሉ ሳዕሪ እዩ፡ ኲሉ ኽብሩ ኸኣ ከም ዕምባባ መሮር እዩ። [7]
ትንፋስ እግዚኣብሄር ነፊስዎ እዩ እሞ፡ ሳዕሪ ይነቅጽ፡ ዕምባባ ይቕምስል። ብሓቂ እቲ ህዝቢ ሳዕሪ እዩ። [8]
ሳዕሪ ይነቅጽ፡ ዕምባባ ይቕምስል፡ ቃል ኣምላኽና ግና ንዘለኣለም ይነብር። [9] ኣቲ ብስራት እተበስሪ
ጽዮን፡ ናብ ነዊሕ ከረን ደይቢ፡ ኣቲ ብስራት እተበስሪ የሩሳሌም፡ ድምጽኺ ብሓይሊ ዓው ኣብሊ፡
ብዘይ ፍርሃት ዓው በሊ፡ ንኸተማታት ይሁዳ፡ እንሆ ኣምላኽኩም፡ ኢልኪ ንገሪ። [10] እንሆ፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ብሓይሊ ይመጽእ፡ ብቕልጽሙ ድማ ይገዝእ። እንሆ፡ ዓስቡ ምስኡ ኣሎ፡ ካሕሳኡ ኸኣ
ቀቅድሚኡ ይኸይድ። [11] ንመጓሲኡ ኸም ጓሳ ኺውፍር፡ ንዕያውቱ ኣብ ቅልጽሙ ኺእክብ ኣብ ሕቝፉ
ኸኣ ኪስከሞም፡ ነተን ዜጥብዋ ድማ ብህድኣት ኪመርሐን እዩ። [12] ንማያት ብኢዱ ዐሚኹ ዘሰፈረ፡
ንሰማያት ከኣ በጻብዑ ዝሰደረ መን እዩ ንሓመድ ምድሪ ኣብ ሚዛን ዝኣከበ፡ ነኽራን ብሚዛን፡
ንኹረቢት ድማ ብነጥሪ ዝመዘነኸ መን እዩ [13] ንመንፈስ እግዚኣብሄር ዝመርመረ፡ ወይስ መኻሪኡ

ኰይኑ ዝመሀሮኸ መን እዩ 14 ምስ መን ተማኺረ ኣእምሮ ዝሀቦ፡ እቲ ቅኑዕ መገዲ ኸኣ ዝመሀሮ፡
ፍልጠት ዘፍለጦ፡ መገዲ ምስትውዓል ድማ ዘርኣዮኸ መን እዩ 15 እንሆ፡ ኣህዛብ ከም ሓንቲ ነጥቢ ኣብ
ዕትሮ፡ ከም ሓንቲ በሰር ኣብ ሚዛን ይቝጸሩ፡ እንሆ፡ ንደሴታት ከም ተጐዳ የልዕል። 16 ሊባኖስ
ንምንዳድ ኣይኣክልን፡ እንስሳኡውን ንመስዋእቲ ምሕራር ኣይኣክልን። 17 ኲሎም ኣህዛብ ኣብ ቅድሚኡ
ኸም ሓደ ግዝዕ ኣይረኣዩን፡ ሓንቲ ኸም ዜልቦ፡ ከም ከንቱነት ገይሩ ይቔጽሮም። 18 እምበኣርሲ ንኣምላኽ
ምስ መን ተማሳስልዎ ምስ ኣየናይ መልክዕከ ኸተመዓራርይዎ ኢኹም 19 ገባር ምስሊ ፍሲ ገይሩ ጣኦት
ይገብር፡ ኣምካኺ ድማ ብወርቂ ይልብጦ፡ ብሰንሰለት ብሩር ከኣ ይስልሞ። 20 እቲ ኽሳዕ ክንድዚ
ኪስውእ ዓቕሚ ዜብሉ ድኻስ ዘይቀንቀን ዕጨይቲ ይሐሪ፡ ዘይነቓነቕ ምስሊ ዚገብረሉ ኸኣሊ ድማ
ይደሊ። 21 ኣእምሮ የብልኩምን እኳዶ ኣይትሰምዑን ኢኹም ካብ ጥንቲዶ እዚ ኣይተዘንተወልኩምን
መሰረታት ምድሪ ዚነግርዎዶኸ ኣየስተውዐልኩምን ኢኹም 22 ንሱ እዩ ኣብ ልዕሊ እታ ኽባብ ምድሪ
ዚቕመጥ፡ እቶም ኣብኣ ዚነብሩ ኸኣ ከም ኣንበጣ እዮም፡ ንሰማያት ከም ጋንጽላ ዜስጥሓ፡ መሕደሪ
ኪኸውን ድማ ከም ድንኳን ዚገብሮ ንሱ እዩ። 23 ንመሳፍንቲ ገለ እኳ ኸም ዘይኮኑ፡ ንፈራዶ ምድሪ
ኸም ምናምን ዚገብሮም ንሱ እዩ። 24 ብኡብኡ ሱር ኣብ ምድሪ ምስ ሰደዱ፡ ንሱ ኡፍ ይብለሎም እሞ
ይነቕጹ፡ ዘራጊቶ ኸኣ ከም ብቝቡቕ ይወስዶም። 25 ከመዓራረዮስ፡ ምስ መን ከተማሳስሉኒ ኢኹም
ይብል እቲ ቅዱስ። 26 ኣዒንትኹም ናብ ላዕሊ ቛሕ ኣቢልኩም ርኣዩ፡ ነዚ ዝፈጠሮ መን እዩ እቲ
ንሰራዊቶም ብፍቕዲ ዜውጽኦ፡ በብስሞም ዚጽውዖም እዩ፡ ካብ ዕቤት ምልኩን ካብ ብርትዔ ሓይሉን
እተላዕለ ሓደ እኳ ኣይተርፍን። 27 ኣታ ያእቆብ፡ ከመይ ደኣ ኸምዚ ትብል፡ ኣታ እስራኤልሲ፡ ከመይ
ኢልካ ኢኻ፡ መገደይ ካብ እግዚኣብሄር ሕብእቲ እያ፡ ፍርደይ ከኣ ካብ ኣምላኸይ ሐሊፉ እዩ፡ ኢልካ
ትዛረብ 28 እቲ ንወሰናት ምድሪ ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ኣምላኽ ከም ዝኾነ፡ ከም ዘይደክምን
ከም ዘይሕለልን፡ ኣእምሮኡ ኸም ዘይምርመርን፡ ኣይትፈልጥንዶ ኣይሰማዕካንዶኸ ኢኻ 29 ንድኹም
ሓይሊ ይህብ፡ ንስኑፍ ከኣ ብርታዔ ይውስኽ። 30 ኣጕባዝ ይደኽሙን ይሕለሉን፡ ኣባጽሕ ድማ
ሰንከልከል ኢሎም ይወድቁ፡ 31 እቶም ንእግዚኣብሄር ዚጽበዩ ግና ሓይሎም ይሕደስ። ከም ንስሪ በኽናፍ
ይድይቡ፡ ይጐዩ እሞ ኣይሕለሉን፡ ይኸዱ እሞ ኣይደኽሙን።

## ምዕራፍ 41

1 ኣትን ደሴታት፡ ኣብ ቅድመይ ስቕ በላ፡ ህዝብታት ከኣ ሓድሽ ሓይሊ ይወስኹ፡ ይቕረቡ እሞ ሽዑ
ይዛረቡ፡ ንዑ ሐቢርና ናብ ፍርዲ ንቕረብ። 2 ነቲ ብጽድቂ ናብ እግሩ ዝጸውዖ መን እዩ ኻብ ምብራቕ
ዘተንስኦ፡ ንህዝብታት ኣብ ቅድሚኡ ኣሕሊፉ ሀቦ፡ ኣብ ልዕሊ ነገስታት ከኣ ኣግዝኦ፡ ንሴፎም ከም
ተጐዳ፡ ንመንትጎም ከምቲ ንፋስ ዚብትኖ ብቝቡቕ ገበሮ። 3 ሰጒጒዎም፡ በታ ኣእጋሩ ከቶ ዘይረገጸኣ
መገዲ ብደሓኑ ይሐልፍ ኣሎ። 4 ነዚ ዝሰርሖን ዝገበሮን መን እዩ እቲ ንወለዶታት ካብ ጥንቲ ዝጸውዔ
ኣነ እየ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ቀዳማይን ምስቶም ዳሕሮት ዘሎን እየ። 5 ደሴታት ርእየን ፈርሃ፡ ወሰናት
ምድሪ ራዕራዕ በሉ፡ ቀረቡ መጹ ኸኣ። ኣጆኻ፡ በለ። 6 ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ደገፈ፡ ንሓው ኸኣ፡ ኣጆኻ፡
በለ። 7 ጸራቢ ነቲ ኣምካኺ ፍሲ የፋጥኖ፡ በያዲ ኸኣ ነቲ ኣብ ወጻቓ ዚቕጥቅጥ ብናይ ምጥባቑ፡ ጽቡቕ
እዩ፡ እናበለ የፋጥኖ፡ ከይናቓነቕ ከኣ ብሸንካር የጽንዖ። 8 ግናኸ፡ ኣታ እስራኤል ባርያይ፡ ኣታ ያእቆብ፡
ዝሓረኹኻ ዘርኢ ኣብርሃም ፈታውየይ፡ 9 ኣታ ኻብ ወሰናት ምድሪ ዘምጻእኩኻ፡ ካብቲ ኣዝዩ ርሑቕ
ጸዋዔ፡ ባርያይ ኢኻ፡ ሓሬኹኻ ኣይነዐቕኩኻን ድማ፡ ዝበልኩኻ። 10 ምሳኻ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ኣነ

ኣምላኽካ እየ እሞ፡ ኣይትሸበር፡ ከበርትዓካ፡ ክረድኣካ፡ ብየማነይቲ ኢድ ጽድቀይውን ከድግፈካ እየ። 11
እንሆ፡ እቶም ኣባኻ ዚንድሩ ኵሎም ኪንውሩ ኪሐፍሩን እዮም፡ መጻርርትኻ ድማ ከም ዘይነበሩ
ኪኾኑን ኪጠፍኡን እዮም። 12-13 ኣነ ንየማነይቲ ኢድካ ዝሕዝ፡ ኣይትፍራህ፡ ክድግፈካ እየ፡ ዝብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ እሞ፡ ነቶም ዚወዳደሩኻ ኽትደልዮም ኣይክትረኽቦምን ኢኻ፡ እቶም
ዚዋግኡኻ ድማ ከንቱን ከም ገለ ዘይነበረን ኪኾኑ እዮም። 14 ኣታ ሓሰኻ ያእቆብ፡ ኣቱም ሰብ እስራኤል፡
ኣነ እየ ዝድግፈካ፡ ኣይትፍራህ፡ ተበጃዊኻ ድማ ናይ እስራኤል ቅዱስ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 15
እንሆ፡ በሊሕ ዘስናኑ ሓድሽ ሰረገላ መኼዳ ኽገብረካ እየ፡ ነኽራን ከሳዕ ዚድቈሱ ኽተኺዶም፡
ንኹረቢት ከኣ ከም ብቚቡቚ ክትገብሮም ኢኻ። 16 ክትምስእዮም ኢኻ፡ ንፋስ ከኣ ኪወስዶም፡
ህቦብላውን ኪዘርዎም እዩ። ንስኻ ግና ብእግዚኣብሄር ክትሕጐስ፡ በቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ድማ
ክትሕበን ኢኻ። 17 ሽጉራትን ድኻታትን ማይ ይደልዩ እሞ የልቦን፡ ልሳኖም ብጽምኢ ነቒጹ፡ ግናኸ ኣነ
እግዚኣብሄር ክሰምዖም፡ ኣነ ኣምላኽ እስራኤል ኣይክሐድጎምንን እየ። 18 ውሒዝ ኣብቶም መላጣት
ኵረቢት፡ ዓይኒ ማያት ከኣ ኣብ ማእከል ሸንጭሮታት ከውሕዝ እየ፡ ንጸምጸም በረኻስ ማይ ዝመልአ
ቐላይ፡ ንምድሪ ኣጻምእ ከኣ ፈልፋሊ ኽገብሮ እየ። 19-20 ኢድ እግዚኣብሄር እዚ ኸም ዝገበረት፡ እቲ ናይ
እስራኤል ቅዱስ ከኣ ከም ዝፈጠሮ ምእንቲ ኺርእዩን ኪፈልጡን ኪሐስቡን ሐቢሮም ኬስተውዕሉንሲ፡
ኣብ በረኻ ንኦም ሊባኖስን መመናን ጳጰን ኣውልዕን ከብቍል፡ ኣብቲ ኣጻምእ ከኣ ጽሕድን ሙዝን ዝበን
ኣሕቢረ ኽተክል እየ። 21 ክስኹም ንገሩ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ መርትዖኹም ኣምጽኡ፡ ይብል እቲ ንጉስ
ያእቆብ። 22 ይንገሩ፡ እስኪ ነቲ ዚመጽእ ይግለጹልና፡ ነቲ ናይ ቀደም ባህልኹም፡ ምእንቲ ኽንሐስቦ
ፍጻሜኡ ኸኣ ክንፈልጥሲ፡ እስኪ ንገሩና፡ ወይስ ነቲ ዚመጽእ ኣስምዑና። 23 ኣማልኽቲ ምዃንኩም
ምእንቲ ኽንፈልጥ፡ ነቲ ድሕሪ ሕጂ ዚኸውን ንገሩና። ርኢናስ ሐቢርና ምእንቲ ኽንግረመሉ ኸኣ፡ እስኪ
ጽቡቕ ወይስ ክፉእ ግበሩ። 24 እንሆ፡ ንስኻትኩም ከንቱ ኢኹም፡ ተግባርኩም ከኣ ብላሽ እዩ፡ እቲ
ዚሐርየኩም ድማ ፍንፉን እዩ። 25 ካብ ሰሜን ኣተንሳእክዎ እሞ መጸ፡ ካብ ምብራቕ ጸሓይ ከኣ፡ ንሱውን
ንሰማይ ይጽውዖ፡ ከምቲ ሰራሕ መሬት ንጭቃ ዚረግጾ፡ ንሱ ኸኣ ንመሳፍንቲ ኸም መሬት ይረግጾም።
26 ምእንቲ ኽንፈልጦን ንስኻ ጻድቕ ኢኻ ኽንብልንሲ፡ ካብ ጥንቲ ኣቐዲሙ እዚ ዝነገረ መን እዩ ዚነግር
የልቦን፡ ዜስምዓና የልቦን፡ ቃልኩም ዚሰምዕ ከኣ የልቦን። 27 ቅድሚ ኹሉ ንጽዮን፡ እነውልኺ እቲኣቶም
እዮም፡ ዝብል ንየሩሳሌም ከኣ ዘበስር ኣነ እየ። 28 እንተ ጠመትኩ፡ ሓደ እኳ የልቦን፡ እንተ ሐተትክዎም
ድማ፡ ካብቶም መኻሮ ምላሽ ኪህብ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን። 29 እንሆ፡ ኲላቶም ከንቱነት እዮም፡
ተግባሮም ከኣ ምናምን እዩ፡ እቲ ናይ ፍሲ ምስልታቶም ድማ ንፋስን ባዶን እዩ።

# ምዕራፍ 42

1 እንሆ፡ ዝድግፎ ባርያይ፡ ሕሩየይ፡ ነፍሰይ ብእኡ ባህ ዚብላ፡ መንፈሰይ ኣብ ልዕሊኡ ኣሕዲረ ኣሎኹ፡
ንሱ ነህዛብ ፍትሒ ኬውጽኣሎም እዩ። 2 ኣይኪጭድርን፡ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ኸኣ ኣብ ኣደባባይ
ኣይኬስምዕን እዩ። 3 ጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይኪሰብርን፡ ተኻኺ ጥዋፍ ድማ ኣይኬጥፍእን እዩ፡ ፍትሒ
ብሓቂ የውጽእ። 4 ፍትሒ ኣብ ምድሪ ኽሳዕ ዚምስርት፡ ሓይሉ ኣይሐምቕን ኣይሕለልን ደሴታት ከኣ
ሕጉ ኺጽበያ እየን። 5 እቲ ንሰማያት ዝፈጠሮም ዝገተሮን፡ ንምድርን ንሳ እተብቍሎን ዝዘርግሐ፡ ነቲ
ኣብኣ ዘሎ ህዝቢ ኸኣ ትንፋስ ዝሀበ፡ ነቶም ኣብኣ ዚመላለሱ ድማ መንፈስ ዝሀበ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል፡ 6-7 ኣዒንቲ ዕውራት ምእንቲ ኽትከፍት፡ ንእሱራት ካብ ቤት ማእሰርቲ፡ ነቶም ኣብ

ጸልማት ዚነብሩ ኸኣ ካብ ማእሰርቶም ምእንቲ ኸተውጽኦምስ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ብጽድቂ ጸዋዕኩኻ፡
ብኢድካ ኽሕዘካን ክሕልወካን ኪዳን ህዝቢ፡ ብርሃን ኣህዛብ ክገብረካን እየ። [8] ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡
ስመይ እዚኣ እያ፡ ክብረተይ ከኣ ንኻልእ፡ ምስጋናይውን ንጽሩብ ምስልታት ኣይህብን እየ። [9] እንሆ፡ እቲ
ናይ ቀደም ተፈጸመ፡ ደጊም ሓድሽ ክነግረኩም እየ፡ ከይተቐልቀለ ድማ ብዛዕባኡ ኽሰምዓኩም እየ። [10]
ኣቱም ኣብ ባሕሪ እትወርዱን ኣብኡ ዘሎ ዘበለ ዅሉን፡ ኣትን ደሴታትን ኣብኤን እትነብሩን፡
ንእግዚኣብሄር ሓድሽ መዝሙርን ምስጋናኡን ካብ ወሰን ምድሪ ዘምሩ። [11] በረኻን ከተማታቱን፡ እተን
ሰብ ቄዳር ዚነብርወን ዓድታትን ድምጾም ዓው ይበሉ፡ እቶም ኣብ ኣኻውሕ ዚነብሩ ብሓጐስ
ይጨድሩ፡ ካብ ርእሲ ኣኽራን እልል ይበሉ። [12] ንእግዚኣብሄር ክብሪ ይሀቡ፡ ምስጋናኡ ኸኣ ኣብ
ደሴታት ይንገሩ። [13] እግዚኣብሄር ከም ጅግና ይወጽእ፡ ከም ተዋጋኢ ድማ ቅንኣት የልዓዕል፡ ይጭድር
እሞ የዘምር፡ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ኸኣ ይብርትዕ። [14] ነዊሕ ጊዜ ስቕ ኢለ ተጸሚመ ነፍሰይ መለኽኩ፡ ሕጂ
ግና ከም እትጽዕር ወላዲት ክጭርሕ፡ ተናኢኸ ድማ ከተንፍስ እየ። [15] ኣኽራንን ኰረቢትን ከባድሞ፡
ንዅሉ ብቋልያኦም ድማ ከንቅጾ እየ፡ ንወሓዚ ኸኣ ደሴት ክገብሮ፡ ንቐላይውን ከንጽፎ እየ። [16]
ንዕውራት ብዘይፈልጥዋ ጐደና ኽወስዶም፡ ብዘይፈልጥወን መገድታት ክመርሖም፡ ንጸልማት ኣብ
ቅድሚኦም ብርሃን ክገብሮ፡ ንድንጉር ከጣጥሖ እየ። እዚ ኽገብረሎም ኣይክሐድጎምን ድማ እየ። [17]
እቶም ብቕርጺ ምስልታት ዚውከሉ፡ ንምስልታት ፍሲ ኸኣ፡ ንስኻትኩም ኣማልኽትና ኢኹም፡ ዚብሉ፡
ንድሕሪት ገጾም ኪምለሱ፡ ኣዝዮም ድማ ኪንውሩ እዮም። [18] ኣቱም ጸማማት፡ ስምዑ፡ ኣቱም ዕውራት
ከኣ፡ ክትርእዩስ ጠምቱ። [19] ባርያይ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ዕውር መን እዩ ከምቲ ዝልእኮ ልኡኸይ ጸማምከ
መን እዩ ዕዉር ከም ፈታውየይ፡ ዕዉር ከም ባርያ እግዚኣብሄር መን እዩ [20] ብዙሕ ነገር ርኢኻ፡ ግናኸ
ኣይሐሎኻዮን፡ ኣእዛን ተኸፊቱ ነይሩ፡ ግናኸ ገለ እኳ ኣይሰማዕካን። [21] እግዚኣብሄር ስለ ጽድቁ ንሕጉ
ዓብይን ክቡርን ኪገብሮ ተሐጒሱ። [22] ግናኸ እዚ ህዝቢ እዚ ውሩርን ዝሙትን እዩ፡ ኲላቶም ኣብ
ጐደጒዲ ተፈንጠሩ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኸኣ ተዳጐኑ። ንዘመተ ተወፈዩ፡ መናገፊ ኸኣ የልቦን፡
ተማረኹ፡ ምለስ፡ ዚብል ድማ የልቦን። [23] ካባኻትኩም ነዚ ጽን ዚብል፡ ንዳሕራዩ ኼስተውዕሎ ኢሉ
ዚሰምዮስ መን እዩ [24] ያእቆብ ንወራር፡ እስራኤል ንዘመተ ዝወፈየ መን እዩ እቲ ብመገዱ ኺመላለሱ
ዘይፈተዉ፡ ንሕጉ ድማ ዘይተኣዘዙ፡ ንሕናውን ዝበደልናዮ እግዚኣብሄርዶ ኣይኰነን ዝገበሮ [25] ስለዚ
ቍጥዓ መዓቱን ነድሪ ውግእን ከዐወሉ፡ እዚውን ብኸቡ ኣንደዶ፡ ግናኸ ኣይፈለጠን፡ ሞኹ ኣበሎ፡
ግናኸ ኣብ ልቡ ኣይተመልሰን።

# ምዕራፍ 43

[1] ሕጂ ግና ኣታ ያእቆብ፡ እቲ ዝፈጠርካ፡ ኣታ እስራኤል ድማ፡ እቲ ዝደኰነካ እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል፡ ተበጅየካ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ብስምካ ጸዋዕኩኻ፡ ንስኻ ናተይ ኢኻ። [2] ብማያት ምስ
እትሐልፍ፡ ምሳኻ ክኸውን እየ፡ ብውሒዝ ምስ እትሳገር ከኣ፡ ኣይኬጥሕለካን እዩ፡ ብሓዊ ምስ
እትኸይድ፡ ኣይክትነድድን ኢኻ፡ ሃልሃልታውን ኣይኪህምኾካን እዩ። [3] ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፡ እቲ
ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ መድሓኒኻ እየ እሞ፡ ንግብጺ በጃኻ፡ ንኢትዮጵያን ሳባን ኣብ ክንዳኻ ኣሕለፍኩ።
[4] ኣብ ኣዒንተይ ብሉጽን ክቡርን ስለ ዝኾንካን ስለ ዘፍቀርኩኻን፡ ኣብ ክንዳኻ ሰባት፡ ኣብ ክንዲ
ህይወትካ ድማ ህዝብታት ክህብ እየ። [5] ምሳኻ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ ንዘርእኻ ኻብ ምብራቕ
ከምጽኦም፡ ካብ ምዕራብ ከኣ ክኣኻኽበካ እየ። [6-7] ንሰሜን፡ ኣምጽእ፡ ንደቡብ ከኣ፡ ኣይትኸላእ፡

ነወዳተይ ካብ ርሑቕ፡ ነዋልደይ ካብ ወሰን ምድሪ፡ ነቲ ብስመይ እተጸውዔ ዘበለ ኹሉን ንኽብረይ
ዝፈተርክዎን ዝደኰንክዎን ዝገበርክውን ኣምጽኣዮ፡ እብል ኣሎኹ 8 ነቲ ዓይኒ ኸለዎስ ዕውር፡ እዝኒ
ኸለዎስ ጸማም ዝኾነ ህዝቢ ኣውጽኣዮ፡ 9 ኲሎም ኣህዛብ ብሓደ ይተኣከቡ፡ ህዝብታት ከኣ ይጨምረሩ፡
ካባታቶም ከምዚ ዘመሰለ ኺነግር ዚኽእል መን እዩ እቲ ናይ ቀደም ባህሎም እስኪ የስምዑና፡ ሰብ
ሰሚዑ፡ ሓቂ እዩ፡ ምእንቲ ኺብልሲ፡ ምስክሮም የቕርቡ፡ መርትዕኦም ከኣ የፍልጡ። 10 ኣነ ኸም
ዝኾንኩ ምእንቲ ኽተስተውዕሉን ክትፈልጡን ክትኣምኑንሲ፡ ንስኻትኩም ምስክረይን እቲ ዝሐሬኽዎ
ባርያን ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር። ቅድመይ ኣምላኽ ከቶ ኣይተደኰነን፡ ድሕረይ ከኣ ኣይኪኸውንን
እዩ። 11 ኣነ፡ ኣነ እየ እግዚኣብሄር፡ ብጀካይ መድሓኒ የልቦን። 12 ኣነ እየ ዝነገርኩ፡ ዘድሐንኩ፡ ዘስማዕኩ፡
ካልእ ኣምላኽ ከኣ ኣብ ማእከልኩም ኣይነበረን። ስለዚ ንስኻትኩም ምስክረይ ኢኹም፡ ይብል
እግዚኣብሄር፡ ኣነውን ኣምላኽ እየ። 13 ካብ ጥንቲ ኣነ እየ፡ ካብ ኢደይ ዜድሕን ከኣ የልቦን፡ ኣነ እገብር፡
ኪኽልክል ዚከኣሎኸ መን እዩ 14 እግዚኣብሄር፡ እቲ ተበጃዊኹም፡ ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ምእንታኹም ናብ ባቢሎን ልኢኸ፡ ንኹሎም፡ ኤረ ንከለዳውያንውን በተን ዚሕጐሱለን
መራኽቦም ሰጒጐ ኸህድሞም እየ፡ 15 እግዚኣብሄር እቲ ቅዱስኩም፡ ፈጣር እስራኤል እቲ ንጉስኩም ኣነ
እየ። 16-17 እቲ ንሰረገላን ፈረሰን ንጭፍራን ጅግናን ዘውጽኤ፡  ኲላቶም ብሓደ ወደቑ፡ ኣይኪትንስኡን
ከኣ እዮም፡ ጠፍኡ፡ ከምፈትሊ መብራህቲ ኸኣ ቀህሙ፡  እቲ ኣብ ባሕርስ ጐደና፡ ኣብ ብርቱዕ ማያት
ከኣ መገዲ ዝገበረ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ 18 ነቲ ቐደም ዝነበረ ኣይትዘክሩ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ኸኣ
ኣይትሕሰቡ። 19 እንሆ፡ ሓድሽ ነገር ክገብር እየ፡ ሕጂ ትበቍል ኣላ፡ ኣይተለልይዋንዶ ኢኹም እወ፡
መገዲ ኣብ በረኻ፡ ወሓይዝ ድማ ኣብ ምድረ በዳ ኽገብር እየ። 20 ንህዝበይ፡ እቲ ሕሩየይ፡ ምእንቲ
ኽስቲ፡ ማይ ኣብ በረኻ፡ ውሒዝውን ኣብቲ ምድረ በዳ ኽህብ እዩ እሞ፡ እንስሳ መሮር፡ እኒ ወኻርያን
ሰገንን፡ ከኽብሩኒ እዮም። 21 እቲ ንኣይ ዝደኰንክዎ ህዝቢ ምስጋናይ ኬዘንቱ እዩ። 22 ኣታ ያእቆብ፡ ንስኻ
ግና ኣይጸዋዕካንን፡ ኣታ እስራኤል፡ ፋዕራይ ኣይገበርካን። 23 ገንእሸል መስዋእቲ ምሕራርካ
ኣየቕረብካለይን፡ ብመስዋእትታትካ ድማ ኣየኽበርካንን፡ ብመስዋእቲ ብልዒ ኣየትዐብኩኻን ብዕጣን ከኣ
ኣየድከምኩኻን። 24 ብሓጢኣትካ ደኣ ኣትዐብካኒ፡ ብኣበሳኻ ድማ ኣድከምካኒ እምበር፡ ቀረፋ ብገንዘብ
ኣይተወየጥካለይን፡ ብስብሒ መስዋእትኻውን ኣየጽገብካንን። 25 ኣነ፡ ኣነ እየ ስለ ርእሰይ ኢለ ገበንካ
ዝድምስስ፡ መሊሰ ኸኣ ሓጢኣትካ ኣይዝክርን። 26 ኣዘክረኒ እሞ ንሓድሕድና ንማጐት፡ ክትረትዕሲ
ባዕልኻ ተዛረብ። 27 እቲ ቐዳማይ ኣቦኻ ሓጢኣት ገበረ፡ እቶም መምህራንካ ድማ ዐመጹኒ። 28 ስለዚ
ንሓላቑ ቤተ መቕደስ ኣርከስክዎም፡ ንያእቆብ ከኣ ንሕርሚ መጦኽዎ፡ ንእስራኤል ድማ ንጸርፊ
ወፈኽዎ።

## ምዕራፍ 44

1 ደጊም ኣታ ያእቆብ ባርያይ፡ ኣታ እስራኤል ከኣ ሕሩየይ፡ ስማዕ፡ 2 እቲ ዝሰርሓካን፡ ካብ ማሕጸን
ጀሚሩ ዝደኰነካን፡ ዚድግፈካን እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ኣታ ያእቆብ ባርያይ፡ ንስኻውን ይሹሩን
ሕሩየይ፡ ኣይትፍራህ። 3 ማይ ኣብቲ ጽሙእ፡ ወሓይዝ ከኣ ኣብቲ ንቑጽ ከፍስስ እየ፡ መንፈሰይ ኣብ
ዘርእኻ፡ በረኸተይ ከኣ ኣብ ሓድግኻ ኽፍስሶ እየ እሞ፡ 4 ከም ዕቦል ኣብ ጥቓ ወሓዚ ርባ፡ ኣብ ማእከል
ሳዕሪ ኺበቅሉ እዮም። 5 እቲ ሓደ፡ ናይ እግዚኣብሄር እየ፡ ኪብል እዩ፡ እቲ ሓደ ኻልእ ብስም ያእቆብ
ኪስመ እዩ፡ እቲ ሓደ ድማ፡ ናይ እግዚኣብሄር፡ ኢሉ ኣብ ኢዱ ኽጽሕፍ እዩ፡ ንስም እስራኤል ድማ

መጸውዒ ኽብረት ኪገብሮ እዩ። 6 እግዚኣብሄር፡ ንጉስ እስራኤልን ተበጃዊኡን፡ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ከምዚ ይብል፡ ቀዳማይን ዳሕራይን ኣነ እየ፡ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን። 7 ካብቲ ኣነ ነቲ ናይ
ጥንቲ ህዝቢ ዝሰረትኩሉ ጊዜ ጀሚሩ፡ ከማይ ዚጽውዕ መን እዩ እስከ ይዛረብ እሞ ይንገረኒ። ነቲ
ዚመጽእን ዚኸውንን ይንገሩ። 8 ኣይትፍርሁን ኣይትሰምብዱን፡ ቀደምዶ ኣየስማዕኩኻን
ኣይነገርኩኻንዶኸ ንስኻትኩም ምስክረይ ኢኹም፡ ብጀካይዶ ኣምላኽ ኣሎ እዩ ካልእ ከውሒ የልቦን፡
ገለ እኳ ኣይፈልጥን። 9 እቶም ጣኦታት ዚሰርሑ ኹሎም ከንቱ እዮም፡ እቶም ፍትዋቶም ከኣ ገለ እኳ
ኣይጠቕሙን። እቶም ምስክሮም ድማ ኣይርእዩን ኣየስተውዕሉን፡ ስለዚ ኺንውሩ እዮም። 10 ገለ እኳ
ዘይጠቕሞስ ኣምላኽ ዝሰርሔ፡ ምስሊውን ብፍሲ ዝገበረ መን እዩ 11 እንሆ፡ ኲሎም መተዓይይቱ
ኺንውሩ እዮም፡ እቶም ሰራሕቲ ኸኣ ሰብ እዮም። ኲሎም ይተኣከቡን ይቕረቡን፡ ኪስምብዱን
ሐቢሮም ከኣ ኪንውሩን እዮም። 12 ሰራሕ ሓጺን ምሳር ይስርሕ፡ ኣብ ጓህሪ ይገብሮ፡ ብሞደሻ
ይቐጥቕጦ፡ ብሓይሊ ቕልጽሙ ይዐዮ፡ ይጠሚ እሞ ይደክም፡ ማይ ኣይሰትን እሞ ይሕለል። 13 ጸራቢ
ገመድ ይግትር፡ ብመንደፊ ይነድፎ፡ ብመንደል ይነድሎ፡ ብመመዓራረዪ ይሕንጽጾ። ኣብ ቤት ኪነብር
እዩ እሞ፡ ከም መልክዕ ሰብ፡ ከም ውቁብ ሰብ ገይሩ ይሰርሖ። 14 ኦም ሊባኖስ ይቘርጽ፡ ኣውሕን
ኣልጌንን የምጽእ፡ ካብ ኣእዋም ዱር ከኣ ይሐሪ፡ ጽሕዲ ይተክል፡ ዝናም ድማ የብቍሎ። 15 እዚ ኸኣ
ንሰብ ንምንዳድ ይጠቕሞ፡ ካብኡ ወሲዱ ይስሕነሉ፡ ኣንዲዱ ኸኣ እንጌራ ይስንክት፡ ምስናይ እዚውን
ካብኡ ኣምላኽ ይገብር እሞ የምልኾ፡ ምስሊ ይጸርብ እሞ ይሰግደሉ። 16 እምበኣርሲ ፈረቓኡ ኣብ ሓዊ
የንድዶ፡ በቲ ፈረቓኡ ኸኣ ስጋ የብስለሉ፡ ጥብሲ ጠቢሱ ድማ ይጸግበሉ፡ ይመውቕ እሞ፡ ኣሰይ
እመውቕ፡ ሓዊ ኸኣ እርኢ ኣሎኹ፡ ይብል። 17 ነቲ ዝተረፈ ድማ ምስሊ ቐሪጹ ይገብሮ፡ ኣምላኸይ ኢኻ
እሞ፡ ኣድሕነኒ፡ እናበለ ኣብ ቅድሚኡ ተደፊኡ ይሰግድን ይጽልን። 18 እዚኣቶምሲ፡ ከይርእዩ ኣዒንቶም፡
ከየስተውዕሉ ድማ ልቦም ተደፊኑ እዩ እሞ፡ ገለ እኳ ኣይፈልጡን፡ ሓንቲ እኳ ኣየስተውዕሉን እዮም። 19
ፍርቁ ኣብ ሓዊ ኣንዲደ፡ ንጓህሩ ድማ እንጌራ ሰንኪተ፡ ስጋ ኸኣ ጠቢሰ በላዕኩ፡ ነቲ ተረፉዶ ፍንፉን
ከገብሮ ንቝራጽ ዕጨይቲዶኸ ኽሰግደሉ እየ ኢብልሲ ኣብ ልቡ ዚምለስ፡ ፍልጠትን ኣእምሮን ዘለዎ
ሓደ እኳ የልቦን። 20 ንሱ ሓመኹስቲ ይምገብ፡ ነፍሱ ኸየናግፍ፡ እዚ ኣብ የማነይቲ ኢደይ ዘሎ ሓሶትዶ
ኣይኰነን ከኣ ከይብልሲ፡ እተጠበረ ልቢ ኣጋገዮ። 21 ኣታ ያእቆብ፡ ኣታ እስራኤልውን፡ ባርያይ ኢኻ እሞ
እዚ ዘክር፡ ኣነ ደኰንኩኻ፡ ባርያይ ኢኻ፡ ዎ እስራኤል፡ ብኣይሲ ኣይክትርሳዕን ኢኻ። 22 ንገበንካ ኸም
ደበና፡ ንሓጢኣትካውን ከም ግመ ኣጥፊኤዮ እየ። ኣነ እየ ዝብጀወካ እሞ፡ ናባይ ተመለስ። 23
እግዚኣብሄር እዩ ዝገበሮ እሞ፡ ኣቱም ሰማያት፡ እልል በሉ። እግዚኣብሄር ንያእቆብ ተበጅይዎ፡ ክብሩ
ኸኣ ኣብ እስራኤል ገሊጹ እዩ እሞ፡ ኣቱም መዓሙቕ ምድሪ፡ ብታሕጓስ ጨድሩ፡ ኣቱም ኣኽራን፡ ኣታ
ዱር ምስ ኲሉ ኣእዋምካ፡ ዓው ኢልኩም ዘምሩ። 24 እቲ ኻብ ማሕጸን ጀሚሩ ዝደኰነካ እግዚኣብሄር
ተበጃዊኻ፡ ከምዚ ይብል፡ እቲ ኹሉ ዚገብር እግዚኣብሄር ኣነ እየ፡ ንሰማያት በይነይ ዝዘርግሖ፡ ብዘይ
ደገፍ ከኣ ንምድሪ ዝኻሰሶ፡ 25 ንትእምርቲ ሓሰውቲ ኸንቱ ዝገብሮ፡ ንጠንቈልቲ ዓያሱ ዝገብሮም፡
ንጥበበኛታት ድሕሪት ዝመልሶም፡ ንፍልጠቶም ከኣ ናብ ዕሽነት ዝልውጦ፡ 26 ንቓል ባርያኡ
ዜጽንዖ፡ንምኽሪ ልኡኻቱ ዚፍጽሞ፡ ብዛዕባ የሩሳሌም፡ ኪነብርዋ፡ ብዛዕባ ኸተማታት ይሁዳ ኸኣ፡
ኪህነጻ፡ ኣነውን ንፆናታተን ከተንስኦ እየ፡ ዚብል፡ 27 ንመዓሙቕ ባሕሪ፡ ንጸፍ፡ ንርባታትካውን፡ ኣነ
ኽንጽፎም እየ፡ ዚብል፡ 28 ብዛዕባ ቂሮስ፡ ንሱ ጓሳይ እዩ፡ ንፍቓደይ ዘበለ ኹሉውን ኪፍጽሞ እዩ፡
ብዛዕባ የሩሳሌም ድማ፡ ክትህነጽ፡ ብናይ ቤተ መቕደስውን፡ ክትስረት እያ፡ ዚብል ኣነ እግዚኣብሄር እየ።

# ምዕራፍ 45

1 እግዚኣብሄር ነቲ ቕቡኡ፡ ንቂሮስ፡ ህዝብታት ኣብ ቅድሚኡ ኽግዝኣሉ፡ ሕቘ ነገስታት ከኣ ክፈትሕ፡
ደጌታት ከይዕጾዎ ድማ፡ መዓጹ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ኽርሕወሉ ኢሉ ብየማነይቲ ኢዱ ዝሓዝክዎ
ኸምዚ ይብሎ ኣሎ፡ 2 ኣነ ቐቕድሜኻ ክኸይድ፡ ንድንጉር ከኣ ሰጥ ከብሎ፡ ንመዓጹ ኣስራዚ ሓሸምሽም
ከብሎ፡ ንመሸጐሪ ሓጺን ድማ ክሰባብሮ እየ። 3 ኣነ ብስምካ ዝጸዋዕኩኻ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ
እስራኤል ምዃነይ ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ መዝገብ ጸልማትን ኣብ ስውር እተሓብኤ ሃብትን ክህበካ እየ።
4 ምእንቲ ያእቆብ ባርያይን እስራኤል ሕሩየይን፡ ብስምካ ጸዊዕኩኻ፡ ከይፈለጥካኒ እኳ ስም ክብረት
ሀብኩኻ። 5-6 እግዚኣብሄር ኣነ እየ፡ ካልእ የልቦን፡ ብጀካይ ኣምላኽ የልቦን፡ ካብ ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ
ምዕራብ ብጀካይ ካልእ ከም ዜልቦ ምእንቲ ኽፈልጡስ፡ ከይፈለጥካኒ እኳ ኣዕጠቕኩኻ። ኣነ
እግዚኣብሄር እየ፡ ካልእውን ከቶ የልቦን። 7 ብርሃን እገብር፡ ጸልማት ከኣ እፈጥር፡ ደሓን እገብር፡ መዓት
ድማ እፈጥር፡ እዚ ኹሉ ዝገብር ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 8 ኣቱም ሰማያት፡ ካብ ላዕሊ ኣንጠብጥቡ፡
ደበናታት ከኣ ጽድቂ የዝንሙ። ምድሪ ትጨንዳሕ እሞ ምድሓን የፍርዩ፡ ጽድቂውን ኣሕቢራ ተብቊል።
እዚ ዝፈጠርኩ ኣነ እግዚኣብሄር እየ። 9 እቲ ምስ ፈጣሪኡ ዚካታዕ ወይለኡ፡ ንሱ ገልዒ ኣብ ማእከል
ኣጋልዕ መሬት እዩ። መሬትዶ ንሰራሒኣ፡ እንታይ ትገብር፡ ትብሎ እያ ግብርኻዶ፡ ኣእዳው የብሉን፡
ይብል እዩ 10 እቲ ነቦ፡ እንታይ ትወልድ ንስኻ ንሰበይቲ ኸኣ፡ እንታይ ጽዒርኪ ትወልዲ ዚብል
ወይለኡ። 11 እግዚኣብሄር፡ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስን ፈጣሪኡን፡ ከምዚ ይብል፡ ብናይ እቲ ዚመጽእ
ሕተቱኒ፡ ብዛዕባ ደቀይን ግብሪ ኢደይን ኣዝዙኒ። 12 ንምድሪ ዝገበርኩ፡ ኣብኣ ዘሎ ሰብ ከኣ ዝፈጠርኩ
ኣነ እየ፡ ንሰማያት ዝዘርግሓ ድማ ኣእዳወይ እየን፡ ንኹሎም ሰራዊቶምውን ኣዘዝኩ። 13 ነዚ ብጽድቂ
ዘተንሳእክዎ ኣነ እየ፡ መገድታቱ ኹሉ ድማ ከጣጥሓሉ እየ፡ ንሱ ብዘይ ምፍዳይን ገጸ በረኸትን
ንኸተማይ ኪሰርሓ፡ ንምሩኻተይ ከኣ ኪመልሶም እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 14
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ጻዕሪ ግብጽን ንግድ ኢትዮጵያን እቶም ነዊሕ ዝቕመቶም ሰብ ሳባን ናባኻ
ኺሐልፉ ናትካውን ኪኾኑ እዮም። ንሳቶም ደድሕሬኻ ኺስዕቡ፡ ብመቓውሕ ድማ ኪሐልፉ እዮም
እሞ፡ ብሓቂ ኣምላኽ ኣባኻ እዩ፡ ብጀካኡስ ካልእ ኣምላኽ ከቶ የልቦን፡ እናበሉ፡ ኣብ ቅድሜኻ
ኺሰግዱን ኪልምኑኻን እዮም። 15 ዎ ኣምላኽ እስራኤል፡ ዎ መድሓኒ፡ ብሓቂ ንርእስኻ እትስውር
ኣምላኽ ኢኻ። 16 እቶም ጣኦታት ዚገብሩ ኹሎም ኪሐፍሩን ኪደሀሉን፡ ብሓደ ነዊርም ኪኸዱን
እዮም። 17 እስራኤል ግና ብዘለኣለማዊ ምድሓን ብእግዚኣብሄር ኪድሕን እዩ። ንስኻትኩምሲ ንዘለኣለም
ኣይክትሐፍሩን ኣይክትደሀሉንውን ኢኹም። 18 እቲ ንሰማያት ዝፈጠረ እግዚኣብሄር ንሱ ኣምላኽ እዩ፡
ንምድሪ ዝደኰናን ዝገበራን ዘጽንዓን፡ ማሕደር ሰብ ክትከውን ዝደኰና እምበር፡ ጥራያ ኽትከውን
ዘይፈጠራ ኸምዚ ይብል፡ ኣነ እግዚኣብሄር እየ፡ ብጀካይውን ካልእ የልቦን። 19 ብሕቡእ፡ ኣብ ስፍራ
ዝጸለመተ ምድሪ ኣይተዛረብኩን፡ ንዘርኢ ያእቆብ፡ ብኸንቱ ድለዩኒ፡ ኣይበልኩን። ኣነ እግዚኣብሄር
ጽድቂ ዝዛረብ፡ ቅንዕና ዘውሪ እየ። 20 ኣቱም ካብ ህዝብታት ዘምለጥኩም፡ ተኣከቡ፡ ንዑ፡ ብሓደ ቕረቡ፡
እቶም ንዕጨይቲ ጽሩብ ምስልታቶም ዚጾሩ ኬድሕን ንዘይከኣሎ ኣምላኽ ዚልምኑን ኣእምሮ
የብሎምን። 21 እስከ ንገሩ፡ ቅረቡ፡ ብሓደውን ይምከሩ፡ ካብ ጥንቲ እዚ ነገር እዚ መን ኣስምዔ ካብ
ቀደም ዝነገረኸ መን እዩ ኣይኣነ እግዚኣብሄር እንዶ እየ ዝገበርክዎ ብጀካይ ካልእ ኣምላኽ የልቦን፡
ጻድቕን ዜድሕንን ኣምላኽ ብጀካይ ከቶ የልቦን። 22 ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ካልእ ከኣ የልቦን እሞ፡ ኣቱም
ወሰናት ምድሪ ኹላትኩም፡ ናባይ ተመለሱ ድሐኑውን። 23 ቃል ጽድቂ ኻብ ኣፈይ ወጺኡ እዩ እሞ
ኣይኪምለስን እዩ፡ ኩሉ ብርኪ ኺሰግደለይ፡ ኩሉ ልሳን ከኣ ብኣይ ኪምሕል እዩ፡ ኢለ ብርእሰይ

መሐልኩ። [24] ብዛዕባይ ከኣ፡ ጽድቅን ስልጣንን ኣብ እግዚኣብሄር ጥራይ እዩ፡ ኪበሀል እዩ። ናብኡ
ኺመጹ እዮም፡ እቶም ነዲሮምሉ ዝነበሩ ዅላቶም ከኣ ኪሐፍሩ እዮም። [25] ዘርኢ እስራኤል ኲሉ
ብእግዚኣብሄር ኪጸድቕን ኪሕበንን እዩ።

# ምዕራፍ 46

[1] ቤል ይደንን፡ ኔቦ ይጐምበስ፡ ጣኦታቶም ናብ እንስሳን መጽዓኛን ይጸዐን፡ እቶም ዘዞርኩምዎም ነቲ
ድኹም መጽዓኛ ከቢድ ጾር ኰይኖም ተጻዕንዎ። [2] ተጐምበሱ፡ ብሓደ ደነኑ፡ ነቲ ጾር ኬድሕንዎ
ኣይከኣሉን፡ ንርእሶምውን ተማረኹ። [3] ኣቱም ቤት ያእቆብ፡ ኣቱም ዝተረፍኩም ቤት እስራኤል
ኲላትኩም፡ ካብ ከርሲ ጀሚርኩም ኣባይ እተጸዐንኩም፡ ካብ ማሕጸን ጀሚርኩም ብኣይ እተጾርኩም፡
ስምዑኒ፡ [4] ክሳዕ እርግናኹም ኣነ እየ፡ ክሳዕ ትሽይቡ ድማ ክጸረኩም፡ ኣነ ገበርኩ ኣነውን ክድግፍ እየ፡
ክጸውርን ኽድሕንን እየ። [5] መዛኑ ኽንከውንሲ፡ ምስ መን እሞ ከተማሳስሉኒ ከተመዓራርዩንን ኢኹም [6]
ወርቂ ኻብ ማሕፉዳ ይኽስክሱ፡ ብሩር ድማ ብሚዛን ይመዝኑ፡ ምስ ሰራሕተኛ ይዋዓዐሉ፡ ንሱውን
ኣምላኽ ይሰርሕ፡ ንሳቶም ከኣ ይሰግዱሉን የማልኽዎን። [7] ኣልዒሎም ኣብ መንኲቦም ይጾርዎ፡ ኣብ
ስፍራኡ ኸኣ የንብርዎ፡ ኣብኡ ይቐውም፡ ካብ ስፍራኡውን ፍንሕንሕ ኣይብልን። ዝጸውዔ እንተ
ጸውዔ፡ ኣይመልስን ካብ ጸበባኡውን ኣየድሕኖን። [8] ነዚ ዘክሩ እሞ፡ ሰብኡት ኩኑ፡ ኣቱም ገበነኛታት፡
ኣብ ልብኹም ተመለሱ። [9] ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ብጀካይ ከቶ የልቦን እሞ፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ናይ ቀደም ዘክሩ፡
ኣነ ኣምላኽ እየ፡ ዚማሳሰለኒ ኸኣ የልቦን። [10] ካብ መጀመርታ ነቲ መወዳእታ፡ ካብ ጥንቲ ገና ኸይኰነ
ኸሎ ዝነገርኩ እሞ፡ ምኽረይ ኪቐውም እዩ፡ ፍቓደይ ኲሉውን ክፍጽም እየ፡ ዝበልኩ ኣነ እየ። [11]
ንኣሞራ ኻብ ምብራቕ፡ ነቲ መማኽርተይ ካብ ርሑቕ ሃገር ዝጽውዕ ኣነ እየ። እወ፡ ተዛሪበ ኽፍጽሞ ኸኣ
እየ፡ ኣሚመ ኽገብሮውን እየ። [12] ኣቱም ካብ ጽድቂ ዝረሐቕኩም ተረርቲ ልቢ፡ ስምዑኒ፡ [13] ጽድቀይ
ኤቕርብ ኣሎኹ፡ ንሱ ርሑቕ ኣይኰነን፡ ምድሓነይ ከኣ ኣይድንጕን፡ ምድሓን ኣብ ጽዮን፡ ክብረይውን
ንእስራኤል ክህብ እየ።

# ምዕራፍ 47

[1] ድሕሪ ደጊምሲ ሕንቅቕቲ ስውንቲ ኣይክትበሀልን ኢኺ እሞ፡ ኣቲ ድንግል ጓል ባቢሎን፡ ውረዲ ኣብ
ሓመድ ከኣ ተቐመጢ፡ ኣቲ ጓል ከለዳውያን፡ ብዘይ ዝፋን ኣብ ምድሪ ተቐመጢ። [2] መጥሓን ሐዚ እሞ
ሓርጭ ጥሓኒ፡ ጒልባብኪ ቕልዒ፡ ነቲ ወለል ዚብል ዘፈር ክዳንኪ ሰብስቢ፡ ደናጉኺ ጥራዩ ጌርኪ
ውሓይዝ ተሳገሪ። [3] ዕርቃንኪ ይቀላዕ፡ ነውርኺ ኸኣ ይረኤ፡ ሕነ ኽፈዲ እየ፡ ዚገጥመለይ ከኣ ሓደ እኳ
የልቦን። [4] ስም እቲ ተበጃዊናስ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ናይ እስራኤል ቅዱስ እዩ። [5] ኣቲ ጓል
ከለዳውያን፡ ድሕሪ ደጊም እትየ መንግስትታት ኣይክትበሀልን ኢኺ እሞ፡ ስቕ ኢልኪ ተቐመጢ፡ ናብ
ጸልማት ኣግልሲ። [6] ኣብ ህዝበይ ኰሬኹ፡ ርስተይ ፈንፈንኩ፡ ኣብ ኢድኪ ኸኣ ኣሕሊፈ ሀብክዎም።
ንስኺ ኣይምሐርክዮምን፡ ኣርዑትኪ ኣብቶም ኣረገውቲ ኣዚኺ ኣኽበድኪ። [7] ነዚ ኣብ ልብኺ
ኸየንበርኪ፡ ብናይ መወዳእታውን ከይሐሰብኪ፡ ኣነስ ኰታ ንኹሉ ጊዜ እትየ እየ፡ በልኪ። [8] እምበኣርሲ
ኣቲ ግዱ ኹሉ ዜብልኪ፡ ብልብኺ ኸኣ፡ ኣነ ጥራይ እየ እምበር፡ ብጀካይ ካልእ የልቦን፡ ኣነስ ከቶ
ኣይክምብሉን፡ ስእነት ውሉድውን ኣይክፈልጥን እየ፡ እትብሊ ተሰዋኒት፡ ነዚ ስምዒ፡ [9] ክልቲኣተን፡

ስእነት ውሉድን ምብልውናን፡ ብሓንቲ መዓልቲ ድንገት ኪመጻኺ እየን። ምንም እኳ ጥንቊልናኺ
እንተ በዝሔ፡ ምዕዛምኪውን እንተ በርትዔ፡ ብምሉእ መስፈር ኪመጻኺ እየን። [10] ብኽፍኣትኪ
ተወከልኪ እሞ፡ ዚርኣየኒ የልቦን፡ በልኪ፡ ጥበብክን ፍልጠትክን ኣስሒተኪ፡ ብልብኺውን፡ ኣነ እምበር፡
ብጀካይ ካልእ የልቦን፡ በልኪ። [11] ስለዚ ኽትዕዝምዮ ዘይከኣለኪ መዓት ኪመጻኪ፡ ከተዝብልዮ
ዘይኰነልኪ መከራ ኸኣ ኪወርደኪ እዩ፡ ዘይፈለጥክዮ ጥፍኣት ድማ ብድንገት ኪወርደኪ እዩ። [12]
ምናልባሽ እንተ ጠቕመኪ፡ ምናልባሽ እንተ ኣሰምበደክስ፡ ነቲ ኻብ ንእስነትኪ ጀሚርኪ ዝጸዐርክሉ
ጥንቈላን ብዝሒ ኣስማትክን ሒዝኪ፡ ቕረቢ። [13] ብብዝሒ ምኽርታትኪ ደኺምኪ፡ እቶም ፈለጥቲ
ትእምርቲ ሰማይን እቶም ቈጸርቲ ኸዋኽብትን እቶም ነቲ ኣብ ሰሰርቂ ወርሒ ዚረኽበኪ ዚነግሩኽን
ይተንስኡ እሞ የድሕኑኺ። [14] እንሆ፡ ንሳቶም ከም ሓሰር እዮም፡ ሓዊ የንድዶም፡ ካብ ሓይሊ ሃልሃልታ
ንነፍሶም ኣየድሕንዋን። ጓህሪ ንምስሓን ዚኸውን፡ ሓዊ ኸኣ ኣብ ቅድሚኡ ኾፍ ንምባል ዚኸውን
ኣይኪህሉን እዩ። [15] ዕድል እቶም ዝጸዐርክሎም ከምዚ ኪኸውን እዩ። እቶም ካብ ንእስነትኪ ጀሚሮም
መናግድትኺ ዝነበሩ መመገዶም ጸው ኪብሉ እዮም፡ ሓደ እኳ ዜድሕነኪ የልቦን።

# ምዕራፍ 48

[1] ኣቱም ቤት ያእቆብ፡ ብስም እስራኤል እትስመዩ፡ ካብ ዓይኒ ማይ ይሁዳ ኸኣ ዝፈልፈልኩም፡ ብሓቅን
ብጽድቅን ደኣ ኣይኰነን እምበር፡ ብስም እግዚኣብሄር እትምሕሉ፡ ንኣምላኽ እስራኤል ከኣ እትውድሱ
ዘሎኹም፡ እዚ ስምዑ፡ [2] በታ ቅድስቲ ኸተማ ስለ እተሰምዩ፡ ኣብ ጐይታ ሰራዊት ዝስሙ ኣምላኽ
እስራኤል ከኣ ስለ እተጸግዑ እዮም። [3] እቲ ሕሉፍ ኣቐዲመ ነገርኩ፡ ካብ ኣፈይ ወጺኡ እዩ እሞ
ኣስማዕኩኹም፡ ብድንገት ገበርክዎ፡ ኰነ ኸኣ። [4] ህልኸኛ ምዃንካን፡ ክሳድካ ጅማት ሓጺን፡
ግንባርካውን ኣስራዚ ምዃኑን ፈሊጠ እየ እሞ፡ [5] ስለዚ፡ ጣኦተይ እዩ ዝገበሮ፡ እቲ ጽሩብን ፍሱስን
ምስለይ እዩ ዝኣዘዞ፡ ከይትብልሲ፡ ኣቐዲመ ነገርኩኻ፡ ከይኰነ ኸኣ ኣስማዕኩኻ። [6] ነዚ ሰሚዕካ ኣሎኻ፡
ንኹሉውን ጠምቶ፡ ንስኻትኩምሲ ኣይተውርይዎንዶ ኢኹም ካብ ሕጂ ጀሚሩ ሓድሽን ሕቡእን
ዘይፈለጥካዮን ነገር ከስማዓካ እየ። [7] ሕጂ ተፈጥረ እምበር፡ ቀደም ኣይኰነን፡ ንስኻ፡ ነዝስ እፈልጦ
ነይረ፡ ምእንቲ ኸይትብል፡ ቅድሚ ሎሚ ኣይሰማዕካዮን። [8] ኣይሰማዕካን፡ ኣይፈለጥካን፡ እዝንኻውን ካብ
ቀደም ኣይተኸፍተን። እዚ ኸኣ ጠላሚ ምዃንካን፡ ካብ ማሕጸን ኣዴኻ ጀሚሮም ገበነኛ ኢሎም ከም
ዚሰምዩኻን ስለ ዝፈለጥኩ እዩ። [9] ስለ ስመይ ኢለ ቍጥዓይ ኤደንጒ፡ ከየጽንተካ ድማ፡ ስለ ኽብረይ ኢለ
ርእሰይ እገትእ ኣሎኹ። [10] እንሆ፡ ኣምከኽኩኻ፡ ግናኸ ከም ብሩር ኣይኰነን፡ ኣብ እቶን ጸበባ
ተዐዘብኩኻ። [11] ስለይ፡ እወ፡ ስለይ ኢለ ኽገብሮ እየ፡ ከመይ ኢለኸ ንስመይ ይርከስ ክሐድጎ ክብረይ
ከኣ ንኻልእ ኣይህብን እየ። [12] ኣታ ያእቆብ፡ ንስኻውን ዝጸዋዕኩኻ እስራኤል፡ ስማዓኒ፡ ንሱ ኣነ እየ፡
ቀዳማይ ኣነ እየ፡ ዳሕራይውን ኣነ እየ። [13] ኢደይ ምድሪ ሰረተት፡ የማነይተይ ከኣ ሰማያት ዘርግሔት፡
ምስ ዝጽውዖም ድማ ብሓደ ይቔሙ። [14] ኵላትኩም ተኣከቡ እሞ ስምዑ፡ ካባታቶምከ እዚ ዝገበረ መን
እዩ እቲ እግዚኣብሄር ዜፍቅሮ ንፍቓዱ ኣብ ልዕሊ ባቢሎን ኪፍጽሞ እዩ፡ ቅልጽሙ ድማ ኣብ ልዕሊ
ከለዳውያን ኪኸውን እዩ። [15] ኣነ፡ ኣነ እየ እተዛረብክዎን ዝጸዋዕክዎን፡ ኣነ እየ ዘምጻእክዎ እሞ መገዱ
ኺሰልጠሉ እዩ። [16] ናባይ ቅረቡ፡ እዚ ስምዑ፡ ካብ መጀመርታ ብሕቡእ ኣይተዛረብኩን፡ ካብቲ ዝዀነሉ
ዘመን ጀሚረ ኣብኡ ኣሎኹ። ሕጂውን እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንኣይን ንመንፈሱን ልኢኹ ኣሎ። [17]
እግዚኣብሄር፡ እቲ ተበጃዊኻ ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ከምዚ ይብል፡ ነቲ ዚጠቕም ዝምህረካን፡ በታ

እተኸደላ መገዲ ዝመርሓካን ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ። 18 ኣየ፡ ትእዛዛተይ ሰሚዕካ እንተ
ትኸውንሲ፡ ሰላምካ ኸም ወሓዚ፡ ጽድቅኻውን ከም ማዕበል ባሕሪ ምኾነ ነይሩ፡ 19 ዘርእኻ ኸም ሑጻ፡
ፍረ ኸርስኻውን፡ ከም ድቡቱ ምኾነ። ስሙ ከቶ ኣይምጠፍኤን፡ ካብ ቅድመይ ድማ ኣይምተደምሰሰን
ነይሩ። 20 ካብ ባቢሎን ውጹ፡ ካብ ከለዳውያን ጽለቑ፡ ብድምጺ እልልታ ንገሩ፡ ኣውጁ፡ ክሳዕ ወሰን
ምድሪ ኣውርዩ እሞ፡ እግዚኣብሄር ንያእቆብ ባርያኡ ተበጅይዎ፡ በሉ። 21 ብምድረ በዳ ኺመርሖም ከሎ፡
ኣይጸምኡን፡ ማይ ካብ ከውሒ ኣውሒዘሎም፡ ከውሒ ሰንጢቑ ማይ ኣፈልፈለ። 22 ንረሲኣንሲ ሰላም
የብሎምን፡ ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 49

1 ኣትን ደሴታት፡ ስምዓኒ፡ ኣቱም ኣብ ርሑቕ ዘሎኹም ህዝቢ፡ጽን በሉ፡ እግዚኣብሄር ካብ ማሕጸን
ጸውዓኒ፡ ካብ ከርሲ ኣደይ ጀሚሩ ስመይ ዘከረ። 2 ንኣፈይ ከም በሊሕ ሰይፊ ገበሮ፡ ኣብ ጽላል ኢዱ ኸኣ
ሐብኣኒ፡ ስሑል ፍላጻ ገበረኒ፡ ኣብ ጒልድባኡውን ከወለኒ፡ 3 ኣታ እስራኤል ኣነ ዝኸብረሉ ባርያይ፡ ንስኻ
ኢኻ፡ ከኣ በለኒ። 4 ኣነ ግና፡ ብኸንቱ ጸዐርኩ፡ ንዘይጠቅም ብኸምኡ ሓይለይ ወዳእኩ፡ ግናኸ ፍርደይ
ኣብ እግዚኣብሄር፡ ዓስበይ ከኣ ኣብ ኣምላኸይ እዩ፡ በልኩ። 5 እምበኣርሲ እቲ ኣነ ባርያኡ ክኸውን፡
ንያእቆብ ናብኡ ኽመልሶ ንእስራኤልውን ናብኡ ኽእከቦ ኢሉ፡ ካብ ማሕጸን ጀሚሩ ዝደኰነኒ
እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፡ ኣነስ ኣብ ዓይኒ እግዚኣብሄር ክቡር እየ፡ ኣምላኸይ ከኣ ሓይለይ ኰነ፡ 6 እወ፡
ንሱ ይብል፡ ንነገድ ያእቆብ ንምትንሳእ፡ ነቶም ዝተረፉ እስራኤል ንምምላስ፡ ባርያይ ምዃንካ ኣዝዩ
ሒደት እዩ። ምድሓነይ ክሳዕ ምድሪ ምእንቲ ኺበጽሕሲ፡ ብርሃን ኣህዛብ ከኣ ክገብረካ እየ። 7 ነቲ ሰብ
ዝነዐቖ፡ ህዝብታት ዝፈንፈንዎ ባርያ ገዛእቲ፡ ንእኡ እግዚኣብሄር፡ እቲ ተበጃዊ እስራኤልን ቅዱስን፡
ስለቲ እሙን እግዚኣብሄርን ስለቲ ዝመረጸካ ናይ እስራኤል ቅዱስን ኢሎም ነገስታት ርእዮም ኪትንስኡ፡
መሳፍንቲውን ኪሰግዱ እዮም፡ ይብል ኣሎ። 8-9 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ብምሕረት ጊዜ
ሰማዕኩኻ፡ ብመዓልቲ ምድሓን ከኣ ረዳእኩኻ። ንምድሪ ኽተቕውማ፡ ዝበረሰ ርስቲ ኽተውርሶም፡
ንእሱራት፡ ውጹ፡ ነቶም ኣብ ጸልማት ዘለው ድማ፡ ተረኣዩ፡ ክትብልሲ ኽሕልወካን ንቓል ኪዳን ህዝቢ
ኽህበካን እየ። ኣብ መገዲ ኺበልዑ፡ ኣብ ኲሉ መላጥ ኰረቢት ድማ መጓሰዩ ኺረኽቡ እዮም። 10 እቲ
ዚርሕርሓሎም ኪመርሖም፡ ኣብ ዓይኒ ማይ ከኣ ኬብጽሖም እዩ እሞ፡ ኣይኪጠምዩን ኣይኪጸምኡንውን
እዮም፡ ሃሩር ወይስ ጸሓይ ኣይኪጒድኦምን እዩ። 11 ንዅሉ ኣኽራነይ መገዲ ኽገብሮ እየ፡ ጽርግያታተይ
ከኣ ልዕል ኪብል እዩ፡ 12 እንሆ፡ እዚኣቶም ካብ ርሑቕ ይመጹ፡ እዚኣቶም ካብ ሰሜንን ካብ ምዕራብን፡
እዚኣቶም ከኣ ካብ ሃገር ሲኒም ይመጹ። 13 እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኣጸናንዔ፡ ንሽጉራቱውን ኪምሕሮም
እዩ እሞ፡ ኣቱም ሰማያት፡ እልል በሉ፡ ኣቲ ምድሪ፡ ተሐጐሲ፡ ኣቱም ኣኽራን፡ እልል እናበልኩም
ጨድሩ። 14 ጽዮን ግና፡ እግዚኣብሄር ራሕ ኣቢሉ ሐዲጉኒ፡ ጐይታ ረሲዑኒ፡ በለት። 15 ሰበይቲዶ ንፍረ
ኸርሳ ኽሳዕ ዘይትርሕርሓሉ፡ ነቲ ዚጠቡ ውሉዳ ኽትርስዕ ይከኣላ እዩ ምንም እኳ ንሳተን እንተ ረስዓ፡
ኣነስ ኣይክርስዓክን እየ። 16 እንሆ፡ ኣብ ኢደይ ወቂጠኪ ኣሎኹ፡ ቀጽርታትኪ ድማ ኲሉ ጊዜ ኣብ ቅድሚ
ዓይነይ እዩ። 17 ውሉድኪ ቐልጢፎም ይመጹ፡ መፍርስትኺን መጥፋእትኽን ይወጹልኪ። 18 ዓይንኺ
ቕሊሕ ኣብሊ እሞ ኣብ ዙርያኺ ጠምቲ፡ ኲላቶም ተኣኻኺቦም ናባኺ ይሙጹ ኣለው። ኣነ ህያው እየ፡
ይብል እግዚኣብሄር፡ ንዅላቶም ከም ስልማት ክትክደንዮም፡ ከም መርዓት ከኣ ክትወናዘፍዮም ኢኺ።
19 ኣብቲ ዑናኽን ዝባደመ ቦታኽን፡ ኣብቲ ዝጠፍኤ ምድርኽን ሕጂ ብርግጽ ነቶም ዚነብሩኺ

ኸትጸብዮም ኢኺ፡ እቶም ዝወሐጡኺ ድማ ኪርሕቁ እዮም። 20 እቶም ጠፊኦም ዝነበሩ ውሉድኪ ኸኣ፡
ስፍራ ጸቢቡኒ፡ ክነብረሉ ኈታ ኣርሕብለይ፡ ኢሎም ኣብ እዝንኺ ኺዛረቡኺ እዮም። 21 ሽዑ ብልብኺ፡
ነዚኣቶም መን ወለደለይ ኣነ ውሉደይ ዝጠፍኡኒ መኻን ምርኽትን ስጉጉትን ዝነበርኩስ፡ ነዚኣቶም መን
ኣዕበዮም እኔኹ፡ በይነይ ተሪፈ ነበርኩ፡ እዚኣቶም ደኣ ኣበይ ነበሩ ክትብሊ ኢኺ። 22 እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ እንሆ፡ ኢደይ ናብ ኣህዛብ ኣቢለ ኸልዕል፡ ንሰንደቕ ዕላማይ ከኣ ናብ ህዝብታት
ከቕውም እየ። ንሳቶም ድማ ነወዳትኪ ሐቕፎም ኬምጽኡልኪ፡ ነዋልድኪውን ኪሕንግርወን እዮም፡ 23
ነገስታት ከኣ መዕበይትኺ፡ ንግስትታቶም ድማ መጕዚታትኪ ኪኾኑ፡ ብገጾም ኣብ ምድሪ ተደፊኦም
ኪሰግዱልኪ፡ ተጐጓ እግርኺውን ኪልሕሱ እዮም። ንስኺ ኸኣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ፡ እቶም
ዚጽበዩኒ ድማ ከም ዘይሐፍሩን፡ ክትፈልጢ ኢኺ። 24 ንጅግናዶ ነቲ ዝዘረፎ የግድፍዎ እዮም ወይስ እቲ
እተማረኸ ጻድቕዶ የምልጥ እዩ 25 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ምሩኻት እቲ ጅግና እኳ ኺዝረፉ እዮም፡
ምርኮ እቲ ጨካን ከኣ ኪምለስ እዩ። ኣነ ኸኣ ንመጻርርትኺ ኽጻረሮም፡ ንደቅኺውን ከድሕኖም እየ። 26
ንጠቓዕትኪ ስጋ ርእሶም ከብልዖም እየ፡ ብደም ርእሶም ከኣ ከም ብኹልዒ ወይኒ ኺሰኽሩ እዮም፡
ኩሉ ስጋ ድማ፡ ኣነ እግዚኣብሄር መድሓኒኽን ተበጃዊኽን፡ እቲ ናይ ያእቆብ ስልጡን ምዃነይ ኪፈልጥ
እዩ።

## ምዕራፍ 50

1 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ እቲ ኣነ ዝፈታሕኩሉ ጽሕፈት ምፍታሕ ኣዴኹም ደኣ ኣበይ ኣሎ እቲ
ንእኡ ዝሸጥኩኹም ብዓል ዕዳይ መን እዩ እንሆ፡ ብሰሪ በደልኩም ደኣ ኢኹም እተሸጥኩም፡ ብሰሪ
ገበንኩም ድማ ኣዴኹም ተፈትሐት። 2 ስለምንታይ እዩ ምስ መጻእኩስ፡ ሓደ እኳ ዘይጸንሐ ጸዊዔ ኸኣ
ሓደ እኳ ዘይመልሰለይ ብሓቂዶ ኢደይ ንምብጃው ሓጺር እያ ወይስ ከናግፍዶ ሓይሊ የብለይን እንሆ፡
ብመግናሕተይ ንባሕሪ ኤንጽፎ፡ ንወሓይዝ ድማ ምድሪ ኣጻምእ እገብሮ፡ ሰኣን ማይ ከኣ ዓሳታቱ
ብጽምኢ ሞይቶም ይምሽምሹ። 3 ንሰማያት ብጸልማት እኸድኖ፡ መጐልበቢኡ ድማ ከሊ እገብሮ። 4
ንድኹም ብቓል ገይረ ምጽንናዕ ምእንቲ ኽፈልጥሲ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ናይ ምሁራት ልሳን ሀበኒ።
ኣብ ጸጽባሕ የንቅሕ፡ ከም ተመሃሮ ኽሰምዕስ፡ ንእዝነይ የንቅሖ፡ ከም ተመሃሮ ኽሰምዕስ፡ ንእዝነይ
የንቅሖ። 5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዝነይ ከፈተለይ፡ ኣነውን ኣይኣቤኹን፡ ኣየድሓርሓርኩን። 6 ዝባነይ
ንገረፍቲ፡ ምዕጕርተይ ከኣ ንነጻይቲ ጸጕሪ ሀብኩ፡ ገጸይ ድማ ካብ ጸርፍን ጡፍ ምባልን ኣይከወልኩን።
7 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ይረድኣኒ እዩ እሞ፡ ስለዚ ተዃእ ኣይበልኩን። ስለዚ ንገጸይ ከም ዓረ ገበርክዎ፡
ከም ዘይሐፍር ከኣ ፈለጥኩ። 8 እቲ ዜጽድቐኒ ቐረባ እዩ፡ መን እዩ ዚማጐተኒ ብሓደ ንቑም። መንከ እዩ
ተጻራርየይ ይቕረበኒ። 9 እንሆ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ይረድኣኒ፡ ዚኹንነኒ ደኣ መን እዩ እንሆ፡ ኩላቶም
ከም ዓለባ ኺበልዩ፡ ብልዒውን ኪበልዖም እዩ። 10 ካባኻትኩምሲ ንእግዚኣብሄር ዚፈርህ፡ ንድምጺ
ባርያኡውን ዚሰምዕ መን እዩ እቲ ብጸልማት ዚመላለስ ብርሃን ከኣ ዚስእን፡ ኣብ ስም እግዚኣብሄር
ይወከል፡ ኣብ ኣምላኹውን ይጸጋዕ። 11 እንሆ፡ ኣቱም ሓዊ እተንድዱ ኹላትኩም፡ እያድ ከኣ እትዕጠቑ፡
ኣብቲ ሃልሃልታ ሓውኹምን ኣብቲ ዘንደድኩምዎ እያድን ኪዱ፡ እዚ ኻብ ኢደይ እዩ ዚመጻኩም፡ ኣብ
ስቓይ ክትድቅሱ ኢኹም።

## ምዕራፍ 51

1 ኣቱም ንጽድቂ እትስዕቡ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ እትደልዩ፡ ጽን በሉኒ፡ ናብቲ እተፈንጨሕኩምሉ
ኸውሕን፡ ናብታ እተኾዐትኩምላ ጒድጓድ ዔላን ኣስተብህሉ። 2 ሓደ በይኑ ኸሎ፡ ጸዊዔዮን ባሪኸዮን
ኣብዚሔዮን እየ እሞ፡ ናብ ኣቦኹም ኣብርሃምን፡ ናብታ ዝወለደትኩም ሳራን ኣስተብህሉ። 3
እግዚኣብሄር ንጽዮን ኬጸናንዓ፡ ንኹሉ ዑናታታ ኼጸናንዕ፡ ንምድረ በዳኣ ኸም ገነት፡ ንበረኻኣ ድማ
ከም ኣታኽልቲ እግዚኣብሄር ኪገብሮ እዩ እሞ፡ ደስታን ሓጐስን ምስጋናን ቃና መዝሙርን ኣብኣ
ኺርከብ እዩ። 4 ሕጊ ኻባይ ይወጽእ፡ ብርሃን ህዝብታት ኪኸውንሲ፡ ፍርደይ ከንብር እየ እሞ፡ ኣታ
ህዝበይ፡ ናባይ ኣድህብ፡ ኣታ ዓሌተይ፡ ጽን በለኒ። 5 ጽድቀይ ድማ ንህዝብታት ኪፈርዱ፡ ደሴታት
ኪትስፈዋኒ፡ ኣብ ቅልጽመይ ከኣ ኪውከላ እየን። 6 ኣዒንትኹም ናብ ሰማያት ቍሊሕ ኣብሉ፡ ታሕቲ
ገጽኩም ከኣ ናብ ምድሪ ጠምቱ፡ እንሆ፡ ሰማያት ከም ትኪ ኺበኑ እዮም፡ ምድሪ ድማ ከም ክዳን
ክትበሊ እያ፡ እቶም ኣብኣ ዚነብሩውን ከምኡ ኺሞቱ እዮም። ምድሓነይ ግና ንዘለኣለም ኪነብር፡
ጽድቀይውን ኣይኪስዐርን እዩ። 7-8 ፍልሖ ኸም ክዳን ኪበልዖም፡ ብልዒ ኸኣ ከም ጸምሪ ኺበልዖም እዩ፡
ጽድቀይ ግና ንዘለኣለም፡ ምድሓነይውን ንውሉድ ወለዶ ኺነብር እዩ እሞ፡ ኣቱም ጽድቂ እትፈልጡ፡
ኣታ ኣብ ልብኻ ሕገይ ዘሎካ ህዝቢ፡ ስማዓኒ፡ ላግጺ ሰብ ኣይትፍርሁ፡ ብጸርፎምውን ኣይትሰምብዱ። 9
ኣታ ቕልጽም እግዚኣብሄር፡ ንቓሕ፡ ንቓሕ፡ ሓይሊ ተኸደን፡ ከምቲ ብመዓልትታት ጥንቲ፡ ብዘመናት
ቀደም ዝገበርካዮ፡ ንቓሕ። ንረሃብ ዝቘራረጽካ፡ ንገበል ዝወጋእካስ ንስኻዶ ኣይኰንካ 10 ንባሕሪ፡ ናይቲ
ብርቱዕ መዓሙቝ ማያት፡ ዘንጸፍካ፡ እቶም ድሑናት ኪሓልፉሉ ኸኣ ነቲ ቀር ባሕሪ መገዲ
ዝገበርካዮኸ ንስኻዶ ኣይኰንካ 11 እቶም እግዚኣብሄር እተበጀዎም ኪምለሱ፡ እልል እናበሉ ናብ ጽዮን
ኪመጹ እዮም፡ ዘለኣለማዊ ሓጐስ ከኣ ርእሶም ኪኽልል እዩ፡ ደስታን ሓጐስን ኪረኽቡ እዮም፡ ጓህን
እህህታን ኪህድም እዩ። 12 ኣነ፡ ኣነ እየ ዘጸናንዓኩም፡ ንስኻኸ ካብዚ መዋቲ ሰብ፡ ካብዚ ኸም ሳዕሪ
ዚሓልፍ ወዲ ሰብ እትፈርህሲ መን ኢኻ 13 ነቲ ሰማያት ዝገተረ፡ ንምድሪ ኸኣ ዝሰረተ፡ ነቲ ዝፈጠረካ
እግዚኣብሄር ረሳዕካዮ። ኲሉ ጊዜ፡ ኲሉ መዓልቲ ኻብ ነድሪ እቲ ንምጥፋእ እተዳለወ ገፋዒ ትፈርህ
ኣሎኻ። ነድሪ እቲ ገፋዒ ደኣ ኣበይ ኣሎ 14 እቲ እሱር ቀልጢፉ ኺፍታሕ፡ ኣይኪመውትን ኣይኪቕበርን፡
እንጌራውን ኣይኪስእንን እዩ። 15 ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እየ እሞ፡ ንባሕሪ፡ ማዕበላ ኸሳዕ ዚህምም፡
ኤናውጾ፡ ስሙውን እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ። 16 ንሰማያት ክተኽሎም፡ ንምድሪ ኸኣ ክስርታ፡
ንጽዮን ድማ፡ ንስኺ ህዝበይ ኢኺ፡ ክብልሲ ቓላተይ ኣብ ኣፍካ ኣንበርኩ፡ ብጽላል ኢደይውን
ከወልኩኻ። 17 ኣቲ፡ የሩሳሌም፡ ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ጽዋእ ነድሩ ዝሰቴኺ፡ ነቲ ዜስክር ጽዋእ
ዝሰቴኽዮን ዝጨለጥክዮን፡ ንቕሒ፡ ንቕሒ፡ ተንስኢ። 18 ካብ ኲሎም እቶም ዝወለደቶም ደቂ ሓደ እኳ
ዚመርሓ የልቦን፡ ካብ ኲሎም እቶም ዘዕበየቶም ደቂ ሓደ እኳ ኢዳ ዚሕዝ የልቦን። 19 እዘን ክልተ ነገር
ወረዳኺ፡ መን እሞ ኺርሕርሓልኪ እዩ ጥፍኣትን ምብራስን፡ ጥሜትን ሰይፍን እንሆልኪ። ከመይ ገይረ
ኸጸናንዓኪ እየ 20 ውሉድኪ ዛሕ ኢሎም፡ ከም ድንኲላ ኣብ መፈንጠራ ኣብ ኲሉ ቐራና መገድታት በጥ
በሉ። ቍጥዓ እግዚኣብሄርን መግናሕቲ ኣምላኽክን መልኦም። 21 ስለዚ፡ኣቲ ሽግርቲ፡ ብወይኒ ደኣ
ኣይኰነን እምበር፡ ኣቲ ስኽርቲ፡ ነዚ ስምዒ፡ 22 እግዚኣብሄር ጐይታኺ፡ እቲ ምእንቲ ህዝቡ ዚጣበቕ
ኣምላኽኪ፡ ከምዚ ይብል፡ እንሆ፡ ነቲ ጽዋእ ስኽራን፡ ነቲ ጽዋእ ቍጥዓይ፡ ካብ ኢድኪ ወሰድክዎ፡
ድሕርዚ ኣይክትሰትይዮን ኢኺ። 23 ኣነ ኸኣ ኣብ ኢድ እቶም ንነፍስኺ፡ ብኣኺ ኣቢልና ኽንሳገርሲ
ተጐምበሲ፡ ዝበልዋ፡ መሸገርቲኺ ኽህቦ እየ፡ ንስኺ ድማ ዝባንኪ ነቶም ሐለፍቲ ኸም ምድሪ፡ ከም
መገዲ ገበርክሎም።

## ምዕራፍ 52

[1] ድሕሪ ሕጂ ዘይተገዝረን ርኹስን ኣባኺ ኣይኪኣቱን እዩ እሞ፡ ኣቲ ጽዮን፡ ንቕሒ፡ ንቕሒ፡ ሓይልኺ
ልበሲ፡ ዎ የሩሳሌም፡ ኣቲ ቅድስቲ ኸተማ፡ እቲ ብሉጽ ልብስኺ ልበሲ። [2] ኣቲ የሩሳሌም፡ ተጐዓኺ
ንገፊ፡ ተንስኢ፡ ተቐመጢ። ኣቲ ምርኸቲ ጓል ጽዮን፡ ንማእሰርቲ ኽሳድኪ ፍትሕዮ። [3] እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል፡ ብኸምኡ ተሸጥኩም፡ በዘይ ገንዘብ ከኣ ክትብጀው ኢኹም። [4] እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል፡ ህዝበይ ምእንቲ ኣብኡ ኺነብር፡ ቀደም ናብ ግብጺ ወረደ፡ ኣሶር ከኣ ብዘይ ምኽንያት
ጠቕዖ። [5] ህዝበይ ብዘይ ምኽንያት ካብ ዚማረኽ፡ ሕጂ ኣብዚ እንታይ ኣሎኒ ይብል እግዚኣብሄር፡ ገዛእቲ
ኸኣ ይጭድሩ፡ ስመይውን ኲሉ ጊዜ፡ ኲሉ መዓልቲ ይጽረፍ ኣሎ። [6] ስለዚ ህዝበይ ንስመይ ኪፈልጦ
እዩ፡ ስለዚ በታ መዓልቲ እቲኣ፡ እኔኹልካ፡ ዚብል ኣነ ኸም ዝኾንኩ ኺፈልጥ እዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [7] እቲ ብስራት ዜበስር፡ ሰላም ዜውሪ፡ ሰናይ ዜበስር፡ ምድሓን ዜውሪ፡ ንጽዮን ከኣ፡
ኣምላኽኪ ይነግስ፡ ዚብል፡ ኣእጋሩ ኣብ ኣኽራን ክንደይ ጽቡቓት እየን። [8] እግዚኣብሄር ናብ ጽዮን ምስ
ተመልሰ፡ ዓይኒ ንዓይኒ ኺርእይዎ እዮም እሞ፡ እቶም ደርቱምኪ ድምጾም ዓው ኣቢሎም ሐቢሮም
እልል ኪብሉ እዮም። [9] ኣትን ዑናታት የሩሳሌም፡ እግዚኣብሄር ንህዝቡ ስለ ዘጸናንዖ፡ ንየሩሳሌም ስለ
እተበጀዋ፡ ብሓጐስ እልል በላ፡ ሐቢርክን ኣመስግና። [10] እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ኹሎም ኣህዛብ
ነቲ ቅዱስ ቅልጽሙ ቐልዖ፡ ኲለን ወሰናት ምድሪ ኸኣ ምድሓን ኣምላኽና ኺርእያ እየን። [11] ርሐቑ፡
ርሐቑ፡ ካብዚ ውጹ፡ ርኹስ ከቶ ኣይትተንከዩ፡ ኣቱም ኣቓሑ እግዚኣብሄር እትጾሩ፡ ካብ ማእከል ውጹ፡
ንጽሁ። [12] እግዚኣብሄር ቀቅድሜኹም ኪኸይድ፡ ኣምላኽ እስራኤል ድማ ደጀንኩም ኪኸውን እዩ እሞ፡
ብታህዋኽ ኣይክትነቕሉን፡ ብምህዳም ከኣ ኣይክትግስግሱን ኢኹም። [13] እንሆ፡ ባርያይ በእምሮ ኺስልጥ፡
ኪኸብር ልዕል ኪብል፡ ኣዝዩውን ኪዐዝዝ እዩ። [14] ብዙሓት ብኣኻ ኸም እተገረሙ፡  ትርኢቱ ኻብ
ካልኦት ሰብ ሕሱር ነበረ። መልክዑ ድማ ካብ ካልኦት ደቂ ሰብ ሐመቐ። [15] ከምኡ ኸኣ ንብዙሓት
ኣህዛብ ኬገርሞም እዩ። ነቲ ዘይተዘንተወሎም ኪርእይዎ፡ ነቲ ዘይሰምዕዎ ድማ ኬስተውዕልዎ እዮም
እሞ፡ ነገስታት ኣብ ቅድሚኡ ኣፎም ኪሕዙ እዮም።

## ምዕራፍ 53

[1] ነዚ ምስክርና መን ኣመኖ ቅልጽም እግዚኣብሄር ንመን ተጋህደሉ [2] ኣብ ቅድሚኡ ኸም ጨንፈርን
ከምቲ ኻብ ንቑጽ ምድሪ ዚወጽእ ሱርን ጨብጨበ። መልክዕን ውቃበን ኣይነበሮን፡ ምስ ርኤናዮ፡
ዜብህገና ትርኢት ኣይነበሮን። [3] ንዑቕን ብሰብ ድርቡይን እዩ፡ ብዓል ስቓይ፡ ብሕማም ልዱይ፡ ከምቲ
ኣብ ቅድሚኡ ገጾም ዚኹልብቡሉ ሰብ እተዋረደ እዩ፡ ንሕናውን ገለ እኳ ኣየቋጸርናዮን። [4] ብሓቂ ንሱ
ንሕማምና ጾሮ፡ ንስቓይና ኸኣ ኣብ ነፍሱ ጸዓኖ፡ ንሕና ግና ከም እተወቕዔን ብእግዚኣብሄር ከም
እተቐዝፈን ከም እተዋረደን ጌርና ኣቋጸርናዮ። [5] ንሱ ግና ብሰሪ ገበንና ቈሰለ፡ ብሰሪ ኣበሳና ድማ
ተኸትከተ፡ ንሕና ሰላም ምእንቲ ኽንረክብ፡ መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ፡ ንሕናውን ብስምብራቱ ሓዌና። [6]
ኲላትና ኸም ኣባጊዕ ተባረርና፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ መገዱ ዘምበለ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኣበሳ ኹላትና
ኣብኡ ኣውደቐ። [7] መከራ ጸገበ፡ ርእሱ ኣዋረደ ኣፉውን ኣይከፈተን። ከምቲ ናብ ማሕረዲ ዚኽብከብ
ገንሸል፡ ከምታ ኣብ ቅድሚ መቀዝታ ስቕ እትብል በጊዕ ኣፉ ኣይከፈተን። [8] ካብ ጥቕዓትን ፍርድን
ተወስደ፡ ካብ ምድሪ ህያዋን ከም እተቘርጸ፡ ካብቶም ወለዶኡ መን ሐሰቦ ብምኽንያት ገበን ህዝበይ
ተቐዝፈ። [9] እከይ ዘይገበረ፡ ሓሶት ከኣ ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ ኽነሱስ፡ መቓብሩ ምስ ረሲኣን ገበሩ፡ ብሞቱ

ግና ምስ ሃብታም ኰነ። 10 እግዚኣብሄር ግና ብመከራ ኺሕምሽሾ ፈተወ። ነፍሱ ንመስዋእቲ ሓጢኣት
ምስ ወፈያ፡ ዘርኢ ኺርኢ፡ መዓልትታቱ ኼንውሕ እዩ፡ ፍቓድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ኢዱ ኺሰልጥ
እዩ። 11 ጻማ ነፍሱ ኺርኢ ኺጸግብውን እዩ። እቲ ጻድቕ ባርያ ብፍልጠቱ ንብዙሓት ኬጽድቕ፡ ኣበሳኦም
ድማ ባዕሉ ኺጸውር እዩ። 12 ነፍሱ ንሞት ስለ ዝወፈያ፡ ምስ በደለኛታት ከኣ ስለ እተቘጽረ፡ ስለዚ
ግዲኡ ምስ ዓበይቲ ኽመቕሎ እየ፡ ምርኮውን ምስ ሓያላት ኪመቅል እዩ። ግናኸ ሓጢኣት ብዙሓት ጾረ፡
ምእንቲ በደለኛታት ከኣ ለመነ።

## ምዕራፍ 54

1 ካብ ደቂ እታ ምርዕውቲስ ደቂ እታ በይና ዘላ ኺበዝሑ እዮም እሞ፡ ኣቲ ዘይወለድኪ መኻን፡ እልል
በሊ፡ ኣቲ ንምውላድ ዘይጸዐርኪ፡ ዓው ኢልኪ ብደስታ ጨድሪ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 2-3 ናብ የማነ
ጸጋም ከተስፋሕፍሒ ኢኺ፡ ዘርእኺ ነህዛብ ኪወርሶም፡ ነተን ዝዐነዋ ኸተማታት ከኣ፡ ሰብ ከም
ዚነብረለን ኪገብረን እዩ እሞ፡ ስፍራ ድንኳንኪ ኣርሕቢ፡ እቲ መጋረጃታት ማሕደርኺ ብዘይ ምቝጣብ
ይገተር፡ ኣግማድኪ ኣንውሒ፡ መታኽልኪውን ኣጽንዒ። 4-5 ፈጣሪኺ ሰብኣይኪ እዩ እሞ፡ ስሙ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ፡ እቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ ከኣ ተበጃዊኺ እዩ፡ ንሱ ኣምላኽ ኲሉ
ምድሪውን ይበሀል። ስለዚ ኣይክትሐፍርን ኢኺ እሞ ኣይትፍርሂ፡ ኣይክትንውርን ኢኺ እሞ
ኣይትሕነኺ፡ ኤረ ነውሪ ንእስነትኪ ኽትርስዒ፡ ጸርፊ ምብልውናኺ ድማ ድሕርዚ ኣይክትዝክርን ኢኺ።
6 ከምታ መንፈሳ ዝጒሀየ ፍትሕቲ ሰበይቲ፡ ከምታ ሕድግቲ ንእሽቶ መርዓት፡ እግዚኣብሄር ጸውዓኪ፡
ይብል ኣምላኽኪ። 7 ንሓጺር ጊዜ ሐደግኩኺ፡ ብዓብዪ ምሕረት ግና ኽእከበኪ እየ። 8 ብምፍሳስ ቍጥዓ
ንቕጽበት ዓይኒ ገጸይ ከወልኩልኪ፡ ብዘለኣለማዊ ምሕረት ግና ክርሕርሓልኪ እየ፡ ይብል እቲ
ተበጃዊኺ ኣምላኽ። 9 እዚ ንኣይ ከምቲ ማያት ኖህ እዩ እሞ፡ ማያት ኖህ ኣብ ምድሪ መሊሱ ኸይውሕዝ
ከም ዝመሐልኩ፡ ከምኡውን ከይቍጥዓክን ከይገንሓክን እምሕል ኣሎኹ። 10 ስለዚ ኣኽራን እኳ እንተ
ዘበሉ፡ ኰረቢትውን ነነይ እንተ በሉ፡ ምሕረተይሲ ኻባኺ ኣይኪዘብልን፡ ኪዳን ሰላመይ ድማ ነነይ
ኣይኪብልን እዩ፡ ይብል እቲ ዘርሕርሓልኪ እግዚኣብሄር። 11 ኣቲ ህቦብላ ዝደፍኣኪ፡ ዘይተጸናናዕኪ፡
ሕዝንቲ፡ እንሆ፡ ነእማንኪ ሰሊመ ኽነድቆ፡ ብሰጲሮስ ከኣ ክስርተኪ፡ 12 ጒልላት ግምብኺ ብሮቢኖስ፡
ደጌታትኪ ብህያክንቶስ፡ መካበብያኺ ኹሉ ድማ ብኽቡር እምኒ ኽገብሮ እየ። 13 ኲላቶም ደቅኺ
ብእግዚኣብሄር ኪምሀሩ እዮም፡ ሰላም ደቅኺውን ዓብዪ ኪኸውን እዩ። 14 ብጽድቂ ኽትጸንዒ ኢኺ።
እትፈርህዮ የብልክን እሞ፡ ካብ ግፍዒ ርሐቒ። ስምባድ ኣይኪቐርበክን እዩ እሞ፡ ካብኡ ርሐቒ። 15
እንሆ፡ ካባይ ደኣ ኣይኰነን እምበር፡ ሐቢሮም ይተኣኻኸቡ ኣለው፡ ዝኾነ እንተ ኾነ እቶም ኪጻረሩኺ
ዚሳማምዑ ኹሎም ኣብ ቅድሜኺ ኺወድቁ እዮም። 16 እንሆ፡ ነቲ ንሕመት ነፊሑ ዜጕህሮ መሳርያ
ዕዮኡ ኸኣ ዜገብር ኣንጠረኛ ኣነ እየ ዝፈጠርክዎ። ኣነውን እየ ነቲ መጥፍኢ፡ ኬብርስ ኢለ፡
ዝፈጠርክዎ። 17 ንኣኺ ኺወግኡሉ እተሰርሐ ኣጽዋር ኲሉ ኣይኪጠቅምን እዩ፡ ነቲ ንፍርዲ ዚትንስኣኪ
ኹሉ ልሳን ድማ ክትረትዕዮ ኢኺ። እዚ እዩ ርስቲ ባሮት እግዚኣብሄር፡ ጽድቆምውን ካባይ እዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 55

1 ኣቱም ጽሙኣት ኲላትኩም፡ ናብ ማያት ንዑ፡ ኣቱም ገንዘብ ዜብልኩም ከኣ፡ ንዑ ተሻየጡ እሞ
ብልዑ። እወ ንዑ፡ ብዘይ ገንዘብ ብኽምኡ ወይንን ጸባን ተሻየጡ 2 ገንዘብኩም ነቲ እንጌራ ዘይኰነ፡
ጻማኹም ድማ ነቲ ዘየጽግበኩም እተትፍኡሉስ ስለምንታይ ተጠንቀቕኩም ስምዑኒ፡ ነቲ ዝጸበቐ ኸኣ
ብልዑ፡ ነፍስኹምውን ብጣዕሚ ባህ ኪብላ እዩ። 3 እዝንኹም ናባይ ጽለው እሞ ናባይ ንዑ፡ ስምዑ፡
ነፍስኹም ድማ ብህይወት ክትነብር እያ፡ ኣነ እቲ ንዳዊት ዘተስፎኽዎ ነባሪ ጸጋ፡ ዘለኣለማዊ ኺዳን፡
ምሳኻትኩም ክኣቱ እየ። 4 እንሆ፡ ምስክር ንህዝብታት፡ መስፍንን ገዛእን ንህዝብታት ኪኸውን ሀብክዎ።
5 እንሆ፡ ንዘይትፈልጦ ህዝቢ ኽትጽውዕ ኢኻ፡ ዘይፈለጠካ ህዝቢ ድማ፡ ምእንቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካን ምእንቲ ናይ እስራኤል ቅዱስን፡ ንሱ ኣኽቢሩካ እዩ እሞ፡ ናባኻ ኺጐዪ እዩ። 6
ንእግዚኣብሄር በቲ ዚርከበሉ ጊዜ ድለይዎ፡ ቀረባ ኸሎውን ጸውዕዎ። 7 ረሲእ መገዱ፡ ዓመጸኛ ኸኣ
ሓሳቡ ይሕደግ፡ ናብ እግዚኣብሄር ይመለስ፡ንሱ ኸኣ ኪምሕሮ እዩ፡ ኣዝዩ ይቕረ ይብል እዩ እሞ፡ ናብ
ኣምላኽናውን ይመለስ። 8 ሓሳባተይ ሓሳባትኩም ኣይኰነን፡ መገድታትኩም ከኣ መገድታተይ ኣይኰነን፡
ይብል እግዚኣብሄር። 9 ከምቲ ሰማይ ካብ ምድሪ ልዕል ዚብል፡ መገድታተይ ካብ መገድታትኩም፡
ሓሳባተይ ከኣ ካብ ሓሳባትኩም ልዕል ዝበለ እዩ። 10 ዝናምን ውርጭን ካብ ሰማይ ከም ዚወርድ እሞ
ንምድሪ ኸይስተዮ፡ ከም ዜፍርን ከም ዜብቍልን ከኣ ከይገበሮ፡ ዘርኢ ንዘራኢ፡ ምግቢ ንተቕላቢ ድማ
ከይሀቦ፡ ንድሕሪት ከም ዘይምለስ፡ 11 እቲ ኻብ ኣፈይ ዚወጽእ ቃለይ ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ ነቲ ኣነ
ዝደልዮ ኼስልጥ፡ ኣብቲ ኣነ ዝልእኮ ኬቕንዕ እዩ እምበር፡ ብኸንቱ ናባይ ኣይኪምለስን እዩ። 12 ብሓጐስ
ክትወጹ፡ ብሰላም ድማ ክትስነዩ ኢኹም እሞ፡ ኣኽራንን ኰረቢትን ቀቅድሜኹም እልል ኪብሉልኩም፡
ኲሎም ኣእዋም መሮርውን ኬጣቕዑልኩም እዮም። 13 ኣብ ክንዲ እሾኹስ ጽሕዲ፡ ኣብ ክንዲ ኣምዔ
ድማ ጸጾ ኺበቍል እዩ፡ እዚውን ንስም እግዚኣብሄርን ዘይጠፍእ ዘለኣለማዊ ምልክትን ኪኸውን እዩ።

## ምዕራፍ 56

1 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ምድሓነይ ኪመጽእ፡ ጽድቀይ ድማ ኪግለጽ ቀረባ እዩ እሞ፡ ፍርዲ
ሐልው ጽድቂውን ግበሩ። 2 እቲ ነዚ ዚገብር ሰብ፡ ብእኡ ዚጸንዕ፡ ንሰንበት ከየርክስ ድማ ዚጥንቀቕ፡
እከይ ከይገብርውን ኢዱ ዚሕሉ ወዲ ሰብ ብጹእ እዩ። 3 እቲ ምስ እግዚኣብሄር ሕብረት ዝገበረ
መጻእተኛ፡ ብሓቂ እግዚኣብሄር ካብ ህዝቡ ኺፈልየኒ እዩ፡ ኣይበል። እቲ ስሉብ ድማ፡ እንሆ፡ ንቑጽ ኦም
እየ፡ ኣይበል። 4 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነቶም ሰናብተይ ዚሕልው፡ ንኣይ ዜሐጕስ
ዚሐርዩ፡ ኪዳነይ ድማ ዜጽንዑ ስሉባት፡ 5 ንኣታቶም ኣብ ቤተይን ኣብ ውሽጢ ደምበይን ስፍራ፡ ካብ
ኣውዳትን ኣዋልድን ዚበልጽ ስም ክህቦም እየ። 6 ነቶም ምእንቲ ኼገልግልዎ፡ ንስም እግዚኣብሄር
ኬፍቅሩ፡ ባሮቱ ኪኾኑ ኢሎም ምስ እግዚኣብሄር ዝሐበሩ መጻእተኛታት፡ ሰንበት ከየፍርሱ ዚጥንቀቑ፡
ኪዳነይውን ዜጽንዑ ዅላቶም፡ 7 ቤተይሲ ንዅሎም ህዝብታት ቤት ጸሎት ኪስመ እዩ ኣሞ፡ ንኣታቶም
ናብ ቅዱስ ከረነይ ከምጽኦም፡ ኣብ ቤት ጸሎተይ ከኣ ከሐጕሶም እየ፡ ዚሐርር መስዋእትታቶምን
መስዋእትታት ሕሩዶምን ኣብ መሰውእየይ ቅቡል ኪኸውን እዩ። 8 እቲ ነቶም ፋሕ ኢሎም ዘለው
እስራኤል ዚኣኻኽብ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ኣብ ርእሲ እቶም እኩባቱ ካልኦትውን ክእክብ እየ፡ ይብል
ኣሎ። 9 ኣቱም ኣራዊት መሮር ኲላትኩም፡ ኣቱም ኣራዊት ዱር ኲላትኩም፡ ክትበልዑ ንዑ። 10 ሐለውቱ
ዕውራት እዮም፡ ኲላቶም ኣእምሮ የብሎምን፡ ኲላቶም ዘይነብሑ በሃማት ኣኽላባት እዮም፡ ይሐልሙ፡
በጥ ይብሉ፡ ድቃስ ይፈትው ኣለው። 11 ህሩፋት ኣኽላባት ከቶ ዘይጸግቡ እዮም፡ እዚኣቶም ሓንቲ እኳ

ዘየስተውዕሉ ጓሶት እዮም፡ ነፍሲ ወከፎም ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ዳሕራይ ረብሓ ርእሱ ደለየ፡ ኩሎም ናብ
መመገዶም ዘምበሉ። 12 ወይኒ ኽምጽእ እየ እሞ ንዑ፡ ብርቱዕ መስተ ሰቲና ንስከር፡ ጽባሕ ድማ ከምዚ
ናይ ሎሚ፡ ኤረ ኣዝዩ ዝበለጸ እኳ ደኣ ኪኸውን እዩ፡ ይብሉ።

## ምዕራፍ 57

1 ጻድቕ ይመውት እሞ ዚሐስቦ የልቦን፡ እቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር ከኣ ይምንጠሉ እሞ፡ እቲ ጻድቕ
ካብ እከይ ከም እተኣርነበ ዜስተንትኖ የልቦን። 2 ናብ ሰላም ይኣቱ፡ እቶም ብቕንዕና እተመላለሱ ኣብ
መደቀሲኦም ይዐርፉ። 3 ግናኸ ኣቱም ደቂ ጠንቋሊት፡ ዘርኢ ዘማውን ኣመንዝራን፡ ናብዚ ቕረቡ። 4-5
ንመን ኢኹም እተባጭዉሉ ንመንከ ኢኹም ኣፍኩም ሃህ ኣቢልኩም ልሳንኩም እተውጽኡሉ ኣቱም
ንጣኣታት ኣብ ትሕቲ ዝለምዔ ዘበለ ኹሉ ኦም እትብህጉ፡ ንደቂ ድማ ኣብ ሸንጭሮታትን ኣብ ትሕቲ
በዓትታት ኣኻውሕን እትሐርድዎም፡ ደቂ ኣበሳን ዘርኢ ሓሶትንዶ ኣይኰንኩምን 6 እቲ ልሙጽ ኣእማን
ርባ እዩ ግዴኺ፡ ንሱ፡ ንሱ እዩ ብጽሒትኪ፡ ንእኡውን መስዋእቲ መስተ ኣፍሰስክሉ፡ መስዋእቲ ብልዒ
ኣቕረብክሉ፡ ኣነዶ በዚ እሕጐስ እየ 7 ኣብ ልዕል ዝበለ በሪኽ ከረን መደቀሲኺ ኣዳሎኺ፡ ኣብኡ ድማ
መስዋእቲ ሕሩድ ክትስውኢ ደየብኪ። 8 ኣብ ድሕሪ ማዕጾን ልዳትን መዘከርታኺ ገበርኪ፡ ንኣይ
ሐደግኪ፡ ንኻልእ ተቐንጢጥኪ ደየብክሉ፡ንመደቀሲኺውን ኣርሐብክዮ፡ ምሳታቶም ድማ ኪዳን ኣቶኺ፡
ኣብቲ ዝርኤኽዮ ቦታ ኹሉ መደቀሲኦም ፈቶኺ። 9 ዘይቲ ሒዝኪ ናብ ንጉስ ከድኪ፡ ቅዲትኪ ኸኣ
ኣብዛሕኪ፡ ልኡኻትኪ ናብ ርሑቕ ለኣኽኪ፡ ክሳዕ ሲኦል ተዋረድኪ። 10 ብምርሓቕ መገዲ ደኸምኪ፡
ግናኸ፡ ተስፋ ቖቢጾስ፡ ኣይበልክን። መሊስኪውን ኣብ ኢድኪ ሓይሊ ረኸብኪ፡ ስለዚ ኣይተሐለልክን።
11 እትጠልምን ዘይትዝክርንን፡ ኣብ ልብኺ ዘይትሐስብዮንሲ፡ መን እዩ ዘሰምበደክን ዘፍርሃክን ኣነዶ
ነዊሕ ጊዜ ስቕ ኣይበልኩን እየ ስለዚ ኸኣ ኣይፈራህክንን። 12 እምበኣር ኣነስ ጽድቕኽን ግብርኽን ክነግር
እየ፡ ገለ እኳ ኣይኪጠቕመክን እዩ። 13 ምስ እተእውዪ፡ እቶም እኩባትኪ የድሕኑኺ፡ ግናኸ ንፋስ
ንኹላቶም ኪወስዶም፡ ጸለውታ ንፋስ ከኣ ኪጸርጎም እዩ። እቲ ናባይ ዚጽጋዕ ግና ነቲ ሃገር ኪግንዘቦ
ነቲ ቅዱስ ከረነይ ድማ ኪወርሶ እዩ። 14 ኣዐርዩ፡ ኣዐርዩ፡ መገዲ ጽረጉ፡ ካብ መገዲ ህዝበይ መዓንቀፊ
ኣርሕቑ፡ ኪበሃል እዩ። 15 ስለዚ እቲ ንዘለኣለም ዚነብር ልዑልን ዕዙዝን ቅዱስ ዝስሙን ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ኣብቲ ልዑልን ቅዱስን ስፍራ እነብር ኣሎኹ፡ ግናኸ ንመንፈስ ትሑታት ህያው ክገብሮ፡ ንልቢ
ድቑሳት ከኣ ህያው ክገብሮስ፡ ምስቲ ድቑስን ትሑትን መንፈስ ዘለዎ ሰብ ድማ እነብር ኣሎኹ። 16
ንዘለኣለም ኣይክብኣስን፡ ንሓዋሩ ኸኣ ኣይክቑጣዕን እየ። እንተ ዘይኮነስ እተን ዝፈጠርክወን ነፍሳትን
መንፈስን ኣብ ቅድመይ ምተሐለላ። 17 ብሰሪ ኣበሳ ንፍገቱ እየ እተቘጣዕኩን ዝወቓዕክዎን፡ ተሐባእኩ፡
ተቘጣዕኩ ድማ፡ ንሱውን ዓልዩ ብመገዲ ልቡ ኸደ። 18 መገድታቱ ርኤኹ፡ ከሕውዮን ክመርሖን እየ፡
ንእኡን ንጕሁያቱን ከኣ ምጽንናዔይ ክመልሰሎም እየ። 19 ኣነ ፍረ ኸናፍር ክፈጥር እየ፡ ሰላም፡ ሰላም ነቲ
ኣብ ርሑቕን ኣብ ቀረባን ዘሎ ይኹን፡ ኣነውን ከሕውዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 20 እቶም ረሲኣን ግና
ከምቲ ዚናወጽ ባሕሪ እዮም፡ ኪህድእ ኣይክእልን እዩ እሞ፡ ማያቱ ጭቃን ርስሓትን የውጽእ። 21 እቶም
ረሲኣንሲ ሰላም የብሎምን፡ ይብል ኣምላኸይ።

## ምዕራፍ 58

1 ኣፍካ መሊኣካ ጨድር፡ ኣይተቛርጽ፡ ድምጽኻ ኸም መለኸት ዓው ኣብል፡ ንህዝበይ ኣበሳኦም፡ ንቤት
ያእቆብ ድማ ሓጢኣቶም ንገሮም። 2 ኣብ ጸጽባሕ ይደልዩኒ፡ መገድታተይ ኪፈልጥ ድማ ይፈትው።
ከምቲ ጽድቂ ዚገብርን፡ ሕጊ ኣምላኹ ዘይሓደገን ህዝብስ፡ ሕጊ ጽድቂ ኻባይ ይደልዩ፡ ናብ ኣምላኽ
ኪቐርቡውን ይፈትው። 3 ስለምንታይ ደኣ ጾምና፡ ንስኻ ድማ ዘይርኤኻና ስለምንታይከ ነፍስና ኣሕሳእና፡
ንስኻውን ግዱ ዘይገበርካ እንሆ፡ ብመዓልቲ ጾምኩምሲ ተግባርኩም ኢኹም እትገብሩ፡ ንግዙኣትኩም
ድማ ትገፍዕዎም ኣሎኹም። 4 እንሆ፡ ብባእስን ብምክርኻርን ብሕሱም ምውቃዕ ጒስጢትን ኢኹም
እትጾሙ። ድምጽኹም ኣብ ላዕሊ ኸም ዚስማዕ ጌርኩም ሎሚ ኣይትጾሙን ኢኹም ዘሎኹም። 5 እቲ ኣነ
ዝፈትዎ ጾምን፡ እታ ሰብ ንነፍሱ ዜሕስኣላ መዓልትን ከምዚ ዘመሰለ ድዩ ከም ሰልሰላ ርእስኻ
ምድናንን፡ ከሻን ሓመኹስትን መንጸፍካ ምግባርን፡ ነዚ ዲኻ ጾምን እግዚኣብሄር ዚቕበሎ መዓልትን
እትብሎ ዘሎኻ 6 እቲ ኣነ ዝፈትዎ ጾምሲ ንመኣሰር እከይ ምፍታሕ፡ ንማእሰርቲ ኣርዑት ምዝላቕ፡
ንተቐዓት ምውጻእ ሓራ፡ ኣርዑት ዘበለ ኹሉውን ምስባርዶ ኣይኰነን 7 እንጌራኻ ንጥሙይ ክትመቅል፡
ነቶም እተሰዱ ድኻታት ናብ ቤትካ ኸተእቱ፡ ዕሩቕ እንተ ርኢኻ ኸትከድኖ፡ ካብ ስጋካውን
ከይትሕባእዶ ኣይኰነን 8 ሽዑ ብርሃንካ ኸም ወጋሕታ ኺወጽእ፡ ምሕዋይካ ኸኣ ቀልጢፉ
ኺበቍል፡ ጽድቕኻ ድማ ቀቅድሜኻ ኪኸይድ፡ ክብሪ እግዚኣብሄርውን ደጀንካ ኪኸውን እዩ። 9 ሽዑ
ኸትጽውዕ፡ እግዚኣብሄር ከኣ ኪመልሰልካ፡ ከተእዊ፡ ንሱ ድማ፡ እኔኹ፡ ኪብል እዩ። ነርዑት፡
ንምውጥዋጥ ኣጻብዕ፡ ንሕማቕ ዘረባ ኸኣ ካብ ማእከልካ እንተ ኣርሓቕካ፡ 10 ካብ ናብ ነፍስኻ ንጥሙይ
እንተ መቐልካ፡ ንጭንቕቲ ነፍሲ እንት ኣጽገብካ፡ ሽዑ ብርሃንካ ኣብ ጸልማት ኪወጽእ፡ ጸልማትካውን
ከም ቀትሪ ኪኸውን እዩ። 11 እግዚኣብሄር ንኹሉ ጊዜ ኺመርሓካ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ንነፍስኻ
ኼጽግባ፡ ነዕጽምትኻ ድማ ኬበርትዖ እዩ። ንስኻ ኸኣ ከም ዝሰተየ ኣታኽልትን ከምቲ ማዩ ዘይነጽፍ
ዓይኒ ማይን ክትከውን ኢኻ። 12 ደቅኻ ነቲ ቐደም ዝዐነወ ኺነድቁ እዮም፡ ንመሰረት ብዙሓት ወለዶ
ኸተቕውም ኢኻ። ነዳቕ ፍሩስን፡ መሳፍሮ ዚኸውን መገዲ መዐረይን ተብሂልካ ኸትስመ ኢኻ። 13
ብሰንበት፡ በታ ቅድስቲ መዓልተይ ከም ፍቓድ ርእስኻ ኸይትገብር፡ እግርኻ እንተ ዘሐጥካ፡ ንሰንበት
ከኣ ደስታ፡ ነታ ቅድስቲ መዓልቲ እግዚኣብሄር ድማ ክብርቲ ኢልካ እንተ ሰሚኻያ፡ እንተ ኣኽበርካያ፡
መገዲ ርእስኻ ድማ እንተ ዘይከድካ፡ ፍቓድ ርእስኻ እንተ ዘይገበርካ፡ ከንቱ ዘረባውን እንተ
ዘይተዛረብካ፡ 14 ኣፍ እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ሽዑ ብእግዚኣብሄር ደስ ኪብለካ እዩ፡ ኣነ ድማ
ናብቲ በረኽቲ ምድሪ ኽደይበካ፡ ርስቲ ኣቦኻ ያእቆብውን ከብልዓካ እየ።

## ምዕራፍ 59

1 እንሆ፡ ኢድ እግዚኣብሄር ንምድሓን ሓጻር ኣይኰነትን፡ ከይሰምዕ ከኣ እዝኑ ኣይጸንዖን እዩ። 2-3 ግናኸ
ኣእዳውኩም ብደም፡ ኣጻብዕኩም ብበደል ረኺሰን፡ ከናፍርኩም ሓሶት ይዛረባ፡ ልሳንኩም ከኣ ክፍኣት
ይናገር ኣሎ እሞ፡ ንኣኻትኩምን ንኣምላኽኩምን ኣብ መንጎኹም ኰይኑ ዝፈላለየኩምሲ ኣበሳኹም እዩ፡
ከይሰምዓኩም ከኣ፡ ኣብ ቅድሜኹም ገጹ ዜሕብኣልኩም ሓጢኣትኩም እዩ። 4 ብጽድቂ ዚጠርዕ ሓደ
እኳ የልቦን፡ ብሓቂ ዚምጒት ሓደ እኳ የልቦን፡ ኣብ ከንቱነት ይውከሉ፡ ሓሶት ከኣ ይዛረቡ፡ እከይ
ይጠንሱ፡ ሓጢኣትውን ይወልዱ ኣለው። 5 እንቋቝሖ ገበል ይሓቝፉ፡ ዓለባ ሳሬት ከኣ ይኣልሙ፡ እቲ
ኻብ እንቋቝሖ ዚበልዕ ይመውት፡ ካብቲ እተጨፍለቐ ድማ መንደልቶ ይነቕሕ። 6 ዓለባኦም ክዳን
ኣይከውንን፡ ብግብሮም ከኣ ኣይኪኸደኑን እዮም። ግብሮም ግብሪ እከይ እዩ፡ ኣብ ኣእዳዎም ድማ ግብሪ

ዓመጻ ኣሎ። 7 ኣእጋሮም ናብ እከይ ይጐይ፡ ንጹህ ደም ንምፍሳስ ይቕልጥፉ፡ ሓሳቦም ሓሳብ እከይ እዩ፡
ጥፍኣትን ምዕናውን ኣብ መገድታቶም ኣሎ። 8 ንመገዲ ሰላም ኣይፈልጥዋን፡ ኣብ ኣኻይዳኦም ቅንዕና
የልቦን፡ ንመገድታቶም ይጠዋውይዎ፡ እቲ ብእኡ ዚኸይድ ዘበለ ንሰላም ከቶ ኣይፈልጣን። 9 ስለዚ
ቕንዕና ኻባና ረሓቐ፡ ጽድቂውን ኣየርከበናን እዩ። ንብርሃን ንጽበ፡ እንሆ ኸኣ ጸልማት፡ ንድሙቕ ብርሃን
ንጽበ፡ ግናኸ ብጸልማት ኢና እንመላለስ ዘሎና። 10 ከም ዕውራት ንመንደቕ ሃሰስ ንብሎ፡ እወ፡ ከምቶም
ዓይኒ ዜብሎም ሃሰስ ንብሎ ኣሎና፡ ቀትሪ ኸሎስ፡ ከም ብጊዜ ጽልግልግታ ደርገፍገር ንብል። ምስ
ምሉእ ሓይልና ኸም ምውታት ኰንና። 11 ኲላትና ኸም ድብታት ንህብብ፡ ከም ረገቢት ንቚዝም፡
ንቕንዕና ንጽበ ኣሎና፡ ግናኸ የልቦን፡ ንምድሓን፡ ንሱውን ካባና ርሑቕ እዩ። 12 ገበንና ኣብ ቅድሜኻ
ብዙሕ እዩ እሞ፡ ሓጢኣትና ድማ ይምስክረልና ኣሎ። ገበንና ምሳና እዩ ዘሎ እሞ፡ ንኣበሳና ንፈልጦ
ኢና፡ 13 ካብ እግዚኣብሄር ዐሎና ኽሕድናዮውን፡ ንኣምላኽና ኽይንስዕቦ ድማ ተዝሓጥና፡ ግፍዕን
ዕልወትን ተዛረብና፡ ዘረባ ሓሶት ጠኒስና ኻብ ልብና ደርጓሕናዮ። 14 ፍርዲ ድማ ንድሕሪት ኣቢሉ
ተመልሰ፡ ጽድቂ ኸኣ ኣብ ርሑቕ ቈመ፡ ሓቂ ኣብ ኣደባባይ ወዲቓ እዩ እሞ፡ ቅንዕና ኺኣቱ
ኣይተኻእሎን። 15 እወ፡ ሓቂ ተሳእነ፡ እቲ ኻብ እከይ ዚርሕቕ ድማ ርእሱ ንዘመተ ይውፊ፡ እግዚኣብሄር
እዚ ረኣየ፡ ቅንዕና ስለ ዜልቦ ኸኣ ጐሃየ። 16 ደጊም ሓደ እኳ ኸም ዜልቦ ረኣየ፡ ሓደ እኳ ዜማልድ ስለ
እተሳእነ ተገረመ። ሽዑ ቕልጽሙ ረድኦ፡ ጽድቁውን ደገፎ። 17 ንጽድቂ ኸም ድርዒ ገይሩ ተኸድኖ፡ ኣብ
ርእሱ ድማ ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእተወ። ክዳን ምፍዳይ ሕነ ኸኣ ተወንዘፈ፡ ንጸዓትውን ከም
ባርኖስ ገይሩ ለፈፎ። 18 ከከም ግብሮም ኪፈድዮም እዩ፡ ኲራ ንተጻረርቱ፡ ፍዳ ንጸላእቱ፡ ንደሴታትውን
ፍዳ ኺህብ እዩ። 19 እምበኣርሲ ስም እግዚኣብሄር ካብ ምዕራብ፡ክብሩ ኸኣ ካብ ምብራቕ ጸሓይ
ኪፍርህ እዩ። ጸላኢ ኸም ውሒዝ ደሪኹ እንተ መጸ፡ ትንፋስ እግዚኣብሄር ኪሰጎ እዩ። 20 ንጽዮንን
ነቶም ካብ ምዕላዎም ናብ ያእቆብ ዚምለሱን ተበጃዊ ኺመጽእ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 21 ኣነስ
ኪዳነይ ምሳታቶም እዚ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ እቲ ኣባኻ ዘሎ መንፈሰይን፡ እተን ኣብ ኣፍካ
ዘንበርክወን ቃላተይን ካብ ኣፍካ ወይስ ካብ ኣፍ ደቅኻ ወይ ካብ ኣፍ ደቂ ደቅካ ኻብ ሕጂ ኽሳዕ
ዘለኣለም ኣይኪርሕቕን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 60

1 ብርሃንኪ መጺኡ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ወጺኡልኪ እዩ እሞ፡ ተንስኢ፡ ብርሂ። 2 እንሆ፡ ጸልማት
ንምድሪ፡ ጣቓ ድማ ንህዝብታት የጐልብቦም፡ ግናኸ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሌኺ ኺወጽእ፡ ክብሩውን
ኣብ ልዕሌኺ ኺርኤ እዩ። 3 ኣህዛብ ናብ ብርሃንኪ፡ ነገስታት ከኣ ናብ ጸዳል ምብራቕኪ ኺመጹ እዮም።
4 ኣዒንትኺ ናብ ዙርያ ቛሕ ኣብሊ እሞ ጠምቲ፡ ኲሎም ተኣኪቦም ናባኺ ይመጹ ኣለው፡ ኣወዳትኪ
ኻብ ርሑቕ፡ ኣዋልድኪውን ተሐቝፈን ይመጻ ኣለዋ። 5 ምልኣት ባሕሪ ናባኺ ኺምለስ፡ ሃብቲ ኣህዛብ
ከኣ ናባኺ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ሽዑ ኽትርእዪ፡ ብታሕጓስ ድማ ከተንጸባርቒ ኢኺ፡ ልብኺውን
ትርግርግ ኪብልን ኪርሕብን እዩ። 6 ብዝሒ ኣግማልን ረብዓት ኣግማል ሚድያንን ኤፉን ኪለማኺ እየን፡
ኲላቶም ካብ ሳባ ኺመጹ፡ ወርቅን ዕጣንን ኬምጽኡ፡ ውዳሴ እግዚኣብሄር ከኣ ኪነግሩ እዮም። 7
ኲላተን መጓሴታት ቄዳር ናባኺ ኺእከባ፡ ድቤላታት ነባዮት ኬገልግሉኺ፡ ባህ ንምባለይ ናብ
መሰውኣየይ ኪስውኡ እዮም፡ ኣነውን ንቤት ክብረይ ከኽብሮ እየ። 8 እዞም ከም ደበናን ከም ናብ
ኣባይተን ዚነፍራ ረገቢትን ዚመጹ እንታዎት እዮም 9 ደሴታት ይጽበያኒ፡ ንሱ ኣኽቢሩኪ እዩ ኣሞ፡

ንደቅኺ ምስ ብሩሮምን ወርቆምን ናብ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኽኪ፡ ናብቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ካብ
ርሑቕ ምእንቲ ኼምጽኣስ፡ መራኽብ ተርሲስ ቅድም ኪመጻ እየን። 10 ብኹራይ ወቒዔኪ፡ ብለውሃተይ
ግና ምሒረኪ እየ እሞ፡ ደቂ መጻእተኛታት ንቕጽርኺ ኪነድቅዎ፡ ነገስታቶም ከኣ ኬገልግሉኺ እዮም።
11-12 እቲ ዘይግዝኣኪ ህዝብን መንግስትን ኪጠፍእ፡ እወ፡ እዞም ኣህዛብ ብጥራስ ኪጸንቱ እዮም እሞ፡
ሃብቲ ኣህዛብ ምእንቲ ኼእትውልኪ፡ ነገስታቶም ድማ ተዐጂቦም ኪኣትውኽስ፡ ደጌታትኪ ኹሉ ጊዜ
ኽፉት ኪኸውን፡ ለይትን መዓልትን ኣይኪዕጾን እዩ። 13 ነቲ ስፍራ መቕደሰይ ምእንቲ ኺስልምዎ፡ ክብሪ
ሊባኖስ፡ ጽሕድን ሙዝን ዝበን፡ ሐቢሮም ኪመጹኺ እዮም። ኣነውን ንስፍራ መርገጽ እግረይ ከኽብሮ
እየ። 14 ደቂ ጠቓዕትኺ እናደነኑ ናባኺ ኺመጹ፡ እቶም ዝነዐቑኺ ኹሎም ድማ ናብ ትሕቲ ኣእጋርኪ
ፍግም ኪብሉ እዮም እሞ፡ ከተማ እግዚኣብሄር፡ ጽዮን ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ኢሎም ኪሰምዩኺ
እዮም። 15 ኣብ ክንዲ እቲ ሓደ እኳ ዘየግልሰኪ ሕድግትን ጽልእትን ዝነበርኪ፡ ኣነ ዘለኣለማዊ መሓበንን
ንውሉድ ወለዶ ኸኣ ደስታን ክገብረኪ እየ። 16 ጸባ ኣህዛብ ክትጠብዊ፡ ኣጥባት ነገስታት ከኣ ክትጠብዊ
ኢኺ። ኣነ እግዚኣብሄር መድሓኒኺ፡ እቲ ናይ ያእቆብ ስልጡን ተበጃዊኺ ምዃነይውን ክትፈልጢ
ኢኺ። 17 ኣብ ክንዲ ነሃሲ ወርቂ ኽምጽእ፡ ኣብ ክንዲ ሓጺን ብሩር፡ ኣብ ክንዲ ዕጨይቲ ኸኣ ነሃሲ፡ ኣብ
ክንዲ እምኒውን ሓጺን ከምጽእ እየ። ኣሕሉቕኪ ሰላም፡ ሹማምትኺ ድማ ጽድቂ ኽገብር እየ። 18
ድሕርዚ ዓመጽ ኣብ ምድርኺ፡ ጥፍኣትን ምዕናውን ኣብ ዶብኪ ኣይኪስማዕን እዩ። ግናኽ ንቕጽርታትኪ
ምድሓን፡ ንዴጌታትኪ ኸኣ ምስጋና ኢልኪ ኽትሰምይየን ኢኺ። 19 እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ብርሃንኪ፡
ኣምላኽኪ ድማ ክብርኺ ኪኸውን እዩ እምበር፡ ድሕርዚ ጸሓይ ብመዓልቲ ብርሃንኪ ኣይክትከውንን፡
ወርሒ ኸኣ ብምድማቓ ኣይከተብርሃልክን እያ። 20 እግዚኣብሄር ዘለኣለማዊ ብርሃንኪ ኪኾነልኪ፡
መዓልትታት ሓዘንኪ ኸኣ ኪውድኣ እየን እሞ፡ ድሕርዚ ጸሓይኪ ኣይክትዐርብን፡ ወርሕኺ ድማ
ኣይክትጒድልን እያ። 21 ኲሎም ህዝቢ ብዘለው ጻድቃን ኪኾኑ፡ ነታ ሃገር ከኣ ንዘለኣለም ኪወርስዋ
እዮም፡ ንሳቶም ንኽብረይ ዚኸውን ጨንፈር ተኽለይ፡ ግብሪ ኣእዳወይ እዮም። 22 እቲ ንእሽቶስ ሽሕ፡
እቲ ኣዝዩ ውሑድ ከኣ ብርቱዕ ህዝቢ ኪኸውን እዩ። ኣነ እግዚኣብሄር ነዚ ብጊዜኡ ቐልጢፈ ኽገብሮ
እየ።

# ምዕራፍ 61

1 ንትሑታት ብስራት ከበስርሲ እግዚኣብሄር ቀቢኡኒ እዩ እሞ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ
ልዕለይ እዩ። ንስቡራት ልቢ ኽዘንን፡ ንምሩኻት ሓርነት፡ ንእሱራት ከኣ ምፍታሕ ክእውጅ ለኣኸኒ። 2
ዓመት ጸጋ እግዚኣብሄርን መዓልቲ ሕነ ኣምላኽናን ክእውጅ፡ ንኹሎም ሕዙናት ከጸናንዕ፡ 3 ኣእዋም
ጽድቂ፡ ንኽብሩ ዚኸውን ተኽሊ እግዚኣብሄር፡ ተብሂሎም ምእንቲ ኺስመዩ ድማ፡ ንሕዙናት ጽዮን
ኣብ ክንዲ ሓመኹስቲ ዘውዲ ኽደፍኣሎም፡ ኣብ ክንዲ ሓዘን ከኣ ዘይቲ ሓጐስ፡ ኣብ ክንዲ መንፈስ
ጓሂውን ክዳን ምስጋና ኽህቦም ለኣኸኒ። 4 ነቲ ናይ ቀደም ዑናታት ኪህንጹ፡ ነቲ ቐደም ዝባደመ
ኬቕሙ፡ ነተን ካብ ውሉድ ወለዶ ዝዐነዋ ፍሩሳት ከተማታት ኪሕድሱ እዮም። 5 ጓኖት ደው ኢሎም
ንመጓሴታትኩም ኪጓስዩ፡ መጻእተኛታት ድማ ሓረስቶትኩምን ናበይቲ ኣታኽልቲ ወይንኹምን ኪኾኑ
እዮም። 6 ንስኻትኩም ግና ካህናት እግዚኣብሄር ክትስመዩ ኢኹም፡ ሰብ ከኣ ኣገልገልቲ ኣምላኽና
ኺብለኩም እዩ፡ ሃብቲ ኣህዛብ ክትበልዑ ብኽብሮም ድማ ክትከብሩ ኢኹም። 7 ኣብ ክንዲ ነውርኹም
ካዕበት ክትቅበሉ ኢኹም፡ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ብዕድሎም ኪሕጐሱ እዮም፡ ስለዚ ኣብ ሃገሮም ካዕበት

ኪግንዘቡ፡ ዘለኣለማዊ ሓጕስ ድማ ኪረኽቡ እዮም። 8 ኣነ እግዚኣብሄር ንቕንዕና ኤፍቅሮ፡ ንኸትርን
ዓመጻን እጸልኦ እየ እሞ፡ ኢዶም ብሓቂ ኽፈድዮም፡ ዘለኣለማዊ ኺዳን ከኣ ምስኦም ክኣቱ እየ። 9
ዘርኦም ድማ ኣብ ኣህዛብ፡ ትውልዶም ከኣ ኣብ ህዝብታት ፍሉጥ ኪኸውን እዩ። እቶም ዚርእይዎም
ኲሎም እግዚኣብሄር ዝባረኾም ዘርኢ ምዃኖም ኪፈልጡ እዮም። 10 ከምቲ ኣኽሊል ኣብ ርእሱ ዝደፍኤ
መርዓዊ፡ ከምታ ብስልማት እተሰለመት መርዓት፡ እግዚኣብሄር ልብሲ ምድሓን ኣልቢሱኒ፡ ብመርግፍ
ጽድቂውን ኣጐልቢቡኒ እዩ እሞ፡ ብእግዚኣብሄር ኣዝየ እሕጐስ፡ ነፍሰይ ብኣምላኸይ ባህ ይብላ ኣሎ። 11
ከምቲ ምድሪ ብቓልያኣ እተውጽእ፡ ከምቲ ኣታኽልቲ ኸኣ ዘርኡ ዜብቊል ከምኡውን እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ኣብ ቅድሚ ዂሎም ኣህዛብ ጽድቅን ምስጋናን ኬብቊል እዩ።

## ምዕራፍ 62

1 ጽድቃ ኸም ድሙቕ ብርሃን፡ ምድሓና ኸኣ ከም ሃልሃልታ ፋና ማሕ ክሳዕ ዚብል፡ ስለ ጽዮን ስቕ
ኣይክብልን፡ ስለ የሩሳሌም ድማ ኣይክዐርፍን እየ። 2 ኣህዛብ ንጽድቕኺ፡ ኲሎም ነገስታት ከኣ ንኽብርኺ
ኺርእዩ እዮም፡ በቲ ኣፍ እግዚኣብሄር ዘውጽኦ ሓድሽ ስም ክትስመዪ ኢኺ። 3 ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር
ክቡር ኣኽሊል፡ ኣብ ኢድ ኣምላኽኪ ድማ ዘውዲ ንጉስ ክትኰኒ ኢኺ። 4 ድሕርዚ ሕድግቲ
ኣይክትበሀልን ኢኺ፡ ሃገርኪ ኸኣ ጸምጸም በረኻ ኣይክትበሀልን እያ። እግዚኣብሄር ባህ ኢሉልኪ፡
ሃገርኪ ድማ ሔምኣ ረኺባ እያ እሞ፡ ንስኽስ፡ ደስታይ ኣብኣ እዩ፡ ክትስመዪ ኢኺ፡ ሃገርኪውን ሔማ
ኽትበሀል እያ። 5 ከምቲ ጐበዝ ንድንግል ዚምርያ፡ ከምኡ ደቅኺ ኺምርዐውኺ እዮም እሞ፡ መርዓዊ
ብመርዓቱ ኸም ዚሕጐስ፡ ከምኡ ኣምላኽኪ ብኣኺ ኺሕጐስ እዩ። 6 ዎ የሩሳሌም፡ ኣብ ልዕሊ ቐጽርኺ
ሓለውቲ ኣቚመ ኣሎኹ፡ ለይትን መዓልትን ከቶ ስቕ ኣይኪብሉን እዮም። ኣቱም ንእግዚኣብሄር
እተዘክርዎ፡ ኣይትዕረፉ። 7 ንየሩሳሌም ክሳዕ ዜጽንዓ፡ ኣብ ምድሪውን መመስገኒ ኽሳዕ ዚገብራ
ኣይተዕርፍዎ። 8-9 እግዚኣብሄር ብየማናይ ኢዱን ብሓያል ቅልጽሙን መሐለ፡ እቶም ዝኣከብዎ
ኺበልዕዎ፡ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኬመስግንዎ እዮም፡ እቶም ዘእተውዎ ድማ ኣብ ኣጸድ መቕደሰይ
ኰይኖም ኪሰትይዎ እዮም እምበር፡ ብሓቂ፡ ድሕርዚ እኽልኺ ንጸላእትኺ ምግቢ ኪኾኖም ኢለ
ኣይክህቦምን እየ፡ ነቲ ዝጸዐርክሉ ወይንኺ ኸኣ ጓኖት ኣይኪሰትይዎን እዮም። 10 ሕለፉ፡ ብደጌታት
ሕለፉ፡ መገዲ ነቲ ህዝቢ ኣዳልዉሉ፡ ኣጣጥሑ፡ መገዲ ጽርግያ ኣጣጥሑ፡ ኣእማን ጽረጉ፡ ንህዝብታት
ሰንደቕ ዕላማ ኣልዕሉሎም። 11 እንሆ፡ እግዚኣብሄር ክሳዕ ወሰን ምድሪ ኣወጀ፡ ንጓል ጽዮን፡ እንሆ፡
ምድሓንኪ ይመጽእ ኣሎ፡ እንሆ፡ ደመወዙ ምስኡ ኣሎ፡ ዓስቡ ኸኣ ቀቅድሚኡ እዩ፡ በልዋ። 12 ንሳቶም
ድማ፡ ቅዱስ ህዝቢ፡ እግዚኣብሄር እተበጀዎም፡ ኢሎም ኪሰምይዎም እዮም። ንስኺውን እትበሀግ፡
ዘይትሕደግ ከተማ ኽትበሀሊ ኢኺ።

## ምዕራፍ 63

1 እዚ ብኽዳውንቱ ዘጌጸ፡ ብሓይሊ ጒልበቱ ዚሸነን፡ ካብ ኤዶም፡ ካብ ቦጽራ፡ ግምጃ ለቢሱ ዚመጽእ
መን እዩ ኣነ እየ እቲ ብጽድቂ ዝዛረብ፡ ንምድሓን ስልጡን። 2 ስለምንታይ ክዳንካ ቈሐ ስለምንታይከ
ኣልባስካ ነቲ ናይ ርጋጽ ዘቢብ መሰለ 3-4 መዓልቲ ምፍዳይ ሕነ ኣብ ልበይ ነይራ፡ ዓመት እቶም
ብጅዋተይ ከኣ መጺኣ እያ እሞ፡ ኣነ በይነይ ነቲ መጽመቒ ዘቢብ ረገጽክዎ፡ ካብ ህዝብታት ሓደ እኳ

ምሳይ ኣይነበረን። ብኹራይ ረገጽክዎም፡ ብነድረይ ድማ ጨፍለቕክዎም። ደሞም ኣብ ክዳውንተይ
ተናጠረ፡ ብዘሎ ኣልባሰይ ከኣ ጸየቕኩ። 5 ግልጽ በልኩ፡ ሓጋዚ ኸኣ ኣይነበረንን፡ ዚድግፈኒ ስለ
ዘይተረኽበ ኸኣ ተዐነድኩ። ሽዑ ቕልጽመይ ኣድሐነኒ፡ ነድረይ ከኣ ደገፈኒ። 6 ብኹራይ ንህዝብታት
ረገጽክዎም፡ ብነድረይ ድማ ኣስከርክዎም፡ ደሞም ከኣ ኣብ ምድሪ ኹዖኹ። 7 ኣነ ኸምቲ እግዚኣብሄር
ዝገበረለና ኹሉ ሰናይ ግብርን፡ ከምቲ ንቤት እስራኤል ዝገበረላ ዓብዪ ግብርን ከም መጠን ምሕረቱን
ዕቤት ለውሃቱን እናዘከርኩ፡ ሰናይ ግብሪ እግዚኣብሄርን ውዳሴኡን ክነግር እየ። 8 ብሓቂ ህዝበይ
ዘይጠልሙ ደቂ እዮም፡ በለ እሞ፡ መድሓኒኦም ኰነ። 9 ኣብ ኲሉ ጸበባኦም ጸበቦ፡ መልኣኽ ገጹ ድማ
ኣድሐኖም። ብፍቕሩን ብለውሃቱን ተበጀዎም፡ ብዝሓለፈ ዘመናት ኲሉ ጊዜ ሐንገሮምን ሐዘሎምን። 10
ንሳቶም ግና ዐለው፡ ንቅዱስ መንፈሱ ኸኣ ኣጒሀዩ፡ ስለዚ ጸላኢኦም ኰነ፡ ባዕሉውን ተዋግኦም። 11 ሽዑ
ንሱ ንዘመን ቀደምን ንሙሴን ንህዝቡን ዘከረ፡ እቲ ምስቶም ጓሶት መጓሴኡ ኻብ ባሕሪ ዘውጽኦም
ኣበይ ኣሎ እቲ ንቅዱስ መንፈሱ ኣብ ውሽጦም ዘሕደረ ኣበይ ኣሎ 12 እቲ ንኽቡር ቅልጽሙ ኣብ የማን
ሙሴ ዘሕለፈ፡ እቲ ንርእሱ ዘለኣለማዊ ስም ምእንቲ ኺገብር፡ ኣብ ቅድሚኦም ማያት ዝኸፈለ፡ 13 እቲ
ኸም ፈረስ ኣብ በረኻ ኸይተዐንቀፈ ኣብ መዓሙቕ ዝመርሖም ኣበይ ኣሎ 14 ከብቲ ናብ ለሰ ኸም
ዚወርዳ፡ ከምኡ መንፈስ እግዚኣብሄር ናብ ዕረፍቲ ኣብጽሖም፡ ንርእስኻ ኽቡር ስም ክትገብርሲ፡
ንህዝብኻ ኸምኡ ጌርካ መራሕካዮም። 15 ካብ ሰማይ ኣመንጽር፡ ካብቲ ማሕደር ቅድስናኻን ግርማኻን
ከኣ ጠምት፡ ጸዓትካን ስልጡን ግብርኻን ከኣ ጠምት፡ ጸዓትካን ስልጡን ግብርኻን ኣበይ ኣሎ ርሕራሔ
ልብኻን ምሕረትካን ካባይ ተኸልከለ። 16 ንስኻ ደኣ ኢኻ ኣቦና፡ ኣብርሃም ኣይፈልጠናን፡ እስራኤል ድማ
ኣየለልየናን እዩ እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኢኻ ኣቦና፡ ስምካ ኸኣ ካብ ዘለኣለም ተበጃዊና እዩ። 17 ዎ
እግዚኣብሄር፡ ካብ መገድኻ ክንዘብል፡ ከይንፈርሃካ ድማ ልብና ኺተርር ዝሐደግካና ስለምንታይ ኢኻ
ስለ ባሮትካ፡ ስለ ነገድ ርስትኻ ኢልካ ተመለስ። 18 እቲ ቅዱስ ህዝብኻ ንሓጺር ዘመን ጥራይ ተረስተየ፡
ጸላእትና ንመቕደስካ ረገጽዋ። 19 ከምቶም ካብ ጥንቲ ዘይመለኽካዮም፡ ከምቶም ብስምካ ዘይተሰምዩ
ኼንና ኣሎና።

# ምዕራፍ 64

1 መንሞ ኺህብ ንሰማያት ጨንዲሕካ እንተ ትወርድ፡ ኣኽራን ኣብ ቅድሜኻ ነነይ ምበሉ፡ 2 ሓዊ ንቐሸም
ከም ዜንድዶ፡ ሓዊውን ንማይ ከም ዜፍልሖ፡ ስምካ ኣብ ጸላእትኻ ምእንቲ ኸተፍልጥ ኣህዛብ ከኣ ኣብ
ቅድሜኻ ራዕራዕ ኪብሉስ፡ 3 ዘይተጸቤናዮ ዜገርም ግብሪ ምስ ገበርካ፡ ወረድካ፡ ኣኽራን ድማ ኣብ
ቅድሜኻ ነነይ በሉ። 4 ነቶም ዚጽበይዎ ኸምቲ ንስኻ ዝገበርካሎም ዚገብር ካልእ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ
ኣይተሰምዔን፡ ኣብ እዝኒ ኣይተዘነየን፡ ዓይኒውን ከቶ ኣይረኣየቶን። 5 ነቲ ተሐጒሱ ጽድቂ ዚገብር፡ ነቶም
ኣብ መገድኻ ዚዝክሩኻ ትቃባበሎም። እንሆ፡ ንስኻ ኾሬኻ፡ ንሕና ሓጢኣት ገበርና፡ ብእኡ ነዊሕ
ዘመን ነበርና፡ ንድሕን ዶኾን ንኸውን 6 ኲላትና ኸም ሓደ ርኹስ ኰንና፡ ብዘሎ ጽድቅና ኸኣ ከም
ጽዩቕ ክዳን እዩ፡ ኲላትና ኸም ቈጽሊ ቐምሰልና፡ ኣበሳና ድማ ከም ንፋስ ይብቍጸና ኣሎ። 7 ገጽካ
ኸዊልካልና፡ ብሰሪ ኣበሳና ኸኣ ደርቢኻና ኢኻ እሞ፡ ስምካ ዚጽውዕን ንኣኻ ኺሕዝ ኢሉ ዜትንስእን
ሓደ እኳ የልቦን። 8 ሕጂ ግና፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኣቦና ኢኻ፡ ንሕና መሬት ኢና፡ ንስኻ ድማ
ሰራሒና ኢኻ፡ ኲልናውን ግብሪ ኢድካ ኢና። 9 ዎ እግዚኣብሄር፡ እምብዛ ኣይትቈጣዕ፡ ኣበሳውን
ንሓዋሩ ኣይትዘክር። እንሆ፡ ጠምት፡ ንልምነካ ኣሎና፡ ኲልና ህዝብኻ ኢና። 10 እተን ቅዱሳት

ከተማታትካ በረኻ ኰይነን፡ ጽዮን በረኻ ኰይና፡ የሩሳሌም ፆንያ። [11] እታ ኣቦታትና ንኣኻ ዘመስገኑላ
ቅድስትን ክብርትን ቤትና ብሓዊ ነደደት፡ እቲ ኽቡር ጥሪትናውን ብዘሎ በረሰ። [12] ዎ እግዚኣብሄር፡ በዚ
ነገር እዚዶ ኽትዘሐጥ ኢኻ ስቕ ክትብል እሞ እምብዛዶ ኽተጨንቕና ኢኻ

# ምዕራፍ 65

[1] እቶም ግደይ ዘይገብሩ ደለዩኒ፡ እቶም ዘይደለዩኒ ድማ ረኸቡኒ። ነቲ ብስመይ ዘይተሰምየ ህዝቢ ኸኣ፡
እኔኹ፡ እኔኹ፡ በልክዎ። [2] ነቲ ሰናይ ብዘይኰነት መገዲ ደድሕሪ ሓሳብ ርእሱ ዚመላለስ ዓለወኛ ህዝቢ
ምሉእ መዓልቲ ኢደይ ዘርጋሕኩሉ። [3] እቲ መመሊሱ ኣብ ቅድመይ ዜኹርየኒ ህዝቢ፡ ኣብ ኣታኽልቲ
ዚስውእ፡ ኣብ ልዕሊ ጡብ ከኣ ዕጣን ዚዐጥን፡ [4] ኣብ መቓብራት ዚሰፍር፡ኣብ ሕቡእ ስፍራ ዝሓድር:ስጋ
ሓሰማ ዚበልዕ: ኣብ ጻሕሉ ኸኣ ርኹስ ምግቢ ዘለዎ፡ [5] እቲ፡ ካብኻ ኣነ ኣዝየ ቅዱስ እየ እሞ፡ ካባይ
ርሐቕ፡ ኣይትቕረበኒ፡ ዚብል ህዝቢ፡ እዚ ኣቶም ኣብ ኣፍንጫይ ትኪ፡ ምሉእ መዓልቲ ዚነድድ ሓዊ
እዮም። [6-7] እንሆ፡ እዚ ኣብ ቅድመይ ጽሑፍ ኣሎ፡ ፍዳ ኽፈድዮም እየ እምበር፡ ስቕ ኣይክብልን እየ፡
እወ፡ ንኣበሳኹም ምስኡውን ንኣበሳ ኣቦታትኩም ኣብ ሕቑፎም ክፈድዮም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።
ኣብ ኣኽራን ዕጣን ዐጢኖ፡ ኣብ ኩድኹዶታት ከኣ ጸረፉኒ፡ ስለዚ ኣቕዲመ ግብሮም ኣብ ሕቑፎም
ክሰፍረሎም እየ። [8] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ከምቲ ሓድሽ ወይኒ ኣብ ዘለላ ምስ ዚርከብ፡ በረኸት
ኣለዎ እሞ፡ ኣይተጥፍእዎ፡ ዚበሀል፡ ኣነውን ንኹላቶም ከየጥፍኦምሲ፡ ስለ ባሮተይ ኢለ ኸምኡ ኽገብር
እየ። [9] ካብ ያእቆብ ዘርኢ፡ ካብ ይሁዳ ኸኣ ወራስ ኣኽራነይ ከውጽእ እየ። ሕሩያተይ ኪወርስዋ፡ ባሮተይ
ከኣ ኣብኣ ኺነብሩ እዮም። [10] ነቲ ዝደለየኒ ህዝበይ ከኣ ሳሮን መጓሰዪ ኣባጊዕ፡ ለሰ ኣኮርውን መደቀሲ
ከብቲ ኪኸውን እዩ። [11] ንስኻትኩም ግና ንእግዚኣብሄር እትሐድጉ፡ ንቅዱስ ከረነይ እትርስዑ፡ ንጋድ
መኣዲ እትሰርዑሉ፡ ንሜኒ ኸኣ ወይኒ እተስልፍዎ፡ [12] ጸዋዕኩኹም፡ ኣይመለስኩምን፡ ተዛረብኩ፡ ጽን
ድማ ኣይበልኩምን፡ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ደኣ እከይ ገበርኩም፡ ነቲ ባህ ዘየብለኒ ኸኣ ሐሪኹም ኢኹም
እሞ፡ ኣነ ንሰይፊ እምድበኩም፡ ኲላትኩምውን ንማሕረዲ ኽትጒምበሱ ኢኹም። [13] ስለዚ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል፡ እንሆ፡ ባሮተይ ኪበልዑ፡ ንስኻትኩም ግና ክትጠምዩ ኢኹም፡ እንሆ፡ ባሮተይ
ኪሰትዩ፡ ንስኻትኩም ግና ክትጸምኡ ኢኹም፡ እንሆ፡ ባሮተይ ኪሕጎሱ፡ ንስኻትኩም ግና ክትሐፍሩ
ኢኹም። [14] እንሆ፡ ባሮተይ ብሓጎስ ልቢ እልል ኪብሉ፡ ንስኻትኩም ግና ብጓሂ ልቢ ኽትግዕሩ፡
መንፈስኩም ስለ እተሰባበረ ኸኣ፡ ዋይ ዋይ ክትብሉ ኢኹም። [15] ስምኩም ድማ ኣብቶም ሕሩያተይ
ንመራገሚ ኽትሐድጉ ኢኹም፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኪቐትለካ እዩ፡ ንባሮቱ ግና ብኻልእ ስም
ኪሰምዮም እዩ፡ [16] እቲ ናይ ቀደም ጸበባ ተረሲዑ፡ ካብ ኣዒንተይ ድማ ተሰዊሩ እዩ እሞ፡ እቲ ንነፍሱ
ኣብ ምድሪ ዚባርኽ፡ ብኣምላኽ ሓቂ እዩ ዚባርኽ፡ እቲ ኣብ ምድሪ ዚምሕል ከኣ ብኣምላኽ ሓቂ እዩ
ዚምሕል። [17] እንሆ፡ ኣነ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ክፈጥር እየ እሞ፡ እቲ ናይ ቀደም ኣይኪሕሰብን
እዩ። [18] ግናኸ እንሆ፡ የሩሳሌም ንእልልታ፡ ህዝባ ኸኣ ንሓጎስ ክፈጥር እየ እሞ፡ በቲ ኣነ ዝፈጥሮስ
ክሕጎሱን ንዘለኣለም ደስ ኪብለኩምን እዩ። [19] ኣነ ድማ ብየሩሳሌም እልል ክብል፡ ብህዝበይውን ደስ
ኪብለኒ እዩ፡ ድምጺ ብኽያትን ድምጺ ኣውያትን ድሕርዚ ኣብኣ ኣይኪስማዕን እዩ። [20] ሚእቲ ዓመት
ገይሩ ዚመውት ብንእስነቱ ይመውት፡ ሓጢኣተኛ ኸኣ ሚእቲ ዓመት ምስ ገበረ እዩ ዚርገም እሞ፡
ድሕርዚ ሓጺር ዝዕምሩ ሕጻንን ዕድሚኡ ዘየብጽሖ ኣረጊትን ኣይኪርከብን እዩ። [21] ኣባይቲ ኺሰርሑን
ኪነብሩለንን እዮም፡ ኣታኽልቲ ወይኒ ኺተኽሉ፡ ፍሬኡውን ኪበልዑ እዮም። [22] ዕድመ ህዝበይ ከም

ዕድመ ኦም ኪኸውን፡ ሕሩያተይ ድማ ጻማ ግብሪ ኣእዳዎም ኪበልዑ እዮም እሞ፡ ካልኦት ዚነብሩሉ
ኣባይቲ ኣይኪሰርሑን፡ ካልኦት ፍሬኡ ዚበልዕዎ ኸኣ ኣይኪተኽሉን እዮም። [23] ንሳቶም ዘርኢ እቶም
ብሩኻት እግዚኣብሄር እዮም፡ ተርፎም ከኣ ምሳታቶም ኪነብር እዩ እሞ፡ ንኸንቱ ኣይኪጽዕሩን፡
ብድንገት ዚሞቱ ደቂ ኣይኪውለዱን እዮም። [24] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ከይጸውዑ ኽመልስ፡ ገና ኺዛረቡ
ኸለው ኸኣ ክሰምዕ እየ። [25] ተኹላን ዕየትን ብሓደ ኺጓሰዩ እዮም፡ ኣንበሳ ከም ብዕራይ ሓሰር ኪበልዕ፡
ተመን ከኣ ሓመድ ኪቕለብ እዩ። ኣብ ኩሉ እቲ ቅዱስ ከረነይ ኣይኪጐድኡን ኣይኬጥፍኡን እዮም፡
ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 66

[1] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ሰማይ ዝፋነይ እዩ፡ ምድሪ ኸኣ መርገጽ እግረይ እያ። እቲ ንስኻትኩም
እትሰርሑለይ ቤት ደኣ ኸመይ ዝበለ እዩ እቲ ኣነ ዘዐርፈሉ ስፍራኸ ኸመይ ዝበለ እዩ [2] ኢደይ እያ ነዚ
ኹሉ ዝገበረቶ፡ እዚ ኸኣ ኰይኑ ኣሎ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ግናኸ ኣብቲ ሽጉርን ድቑስን መንፈስ ዘለዎን
ብቓለይ ዚርዕድን ሰብ ደኣ እየ ዝጥምት ዘሎኹ። [3] እቲ ብዕራይ ዚሐርድ፡ ከምቲ ንሰብ ዚቐትል እዩ፡
እቲ ገንሸል ዚስውእ ከምቲ ንኽሳድ ከልቢ ዚሰብር እዩ፡ እቲ ንመስዋእቲ ብልዒ ዜቕርብ ከምቲ ደም
ሓሰማ ዚስውእ እዩ፡ እቲ ዕጣን ዘዐጥን ከምቲ ንጣኦት ዜመስግን እዩ። እወ፡ መገድታት ርእሶም ሐረዩ፡
ነፍሶም ድማ ብጽያፎም ባህ በላ። [4] ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እኩይ ገበሩ፡ ባህ ዘየብለኒውን ሐረዩ እምበር፡
ጸዊዔ ሓደ እኳ ኣይመለሰለይን፡ ተዛሪበ ኸኣ ኣይሰምዑንን እሞ፡ ኣነ ኸኣ ጒድኣቶም ክሐሪ፡ ዜሰክሖም
ድማ ከውርደሎም እየ። [5] ኣቱም ብቓሉ እትርዕዱ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ እቶም ዚጸልኡኹምን
ብዛዕባ ስመይ ዚሰጒኹምን ኣሕዋትኩም፡ ሓጐስኩም ምእንቲ ኽንርእስ፡ እግዚኣብሄር ይኽበር፡ ይብሉ፡
ግናኸ ኪሐፍሩ እዮም። [6] ድምጺ ታዕታዕ ካብ ከተማ፡ ድምጺ ኻብ ቤት መቕደስ ይስማዕ ኣሎ፡ ድምጺ
እቲ ንጸላእቱ ፍዳ ዚፈዲ እግዚኣብሄር እዩ። [7] ቅልውላው ከይሐዛ ወለደት፡ ከይተጻዕረት ከኣ ወዲ
ወለደት። [8] ከምዚ ዘመሰለ መን ሰምዔ ከምዚ ዝበለኸ መን ረኣየ ሃገርዶ ብሓንቲ መዓልቲ ጽዒራ
ትወልድ እያ ህዝቢዶኸ ብሓንቲ ጊዜ ይውለድ እዩ ጽዮን ግና ቅልውላው ምስ ሓዛ፡ ብኡብኡ ደቃ
ወለደት። [9] ኣነ ንምውላድ ዘብጻሕኩስ፡ ሓይሊ ምውላድዶ ኣይህብን እየ ይብል እግዚኣብሄር። ኣነ
ንምውላድ ሓይሊ ዝህብከ፡ ንማሕጸንዶ እዐጹ እየ ይብል ኣምላኽኪ። [10-11] ክትጠብውን ኣብ ኣጥባት
ምጽንንዓ ኽትጸግብን፡ ክትምጥምጡን ብብዝሒ ኽብረት ኺፍሸሕወኩምንሲ፡ ምስ የሩሳሌም
ተሐጐሱ፡ ኣቱም እተፍቅርዋ ኹላትኩም ከኣ ብእኣ ደስ ይበልኩም። ኣቱም ዝሐዘንኩምላ ኹላትኩም፡
ተሐጐስኩም ምስኣ እልል በሉ። [12] እግዚኣብሄርሲ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ሰላም ከም ፈሳሲ ርባ፡
ክብረት ኣህዛብ ከኣ ከም ደምሳሲ ውሒዝ ኬውሕዘላ እዩ፡ ንስኻትኩም ድማ ክትጠብው፡ ክትሕቈፉ
ኢኹም፡ ኣብ ኣብራኾም ኬሳራስሩኹም እዮም። [13] ከምቲ ኣደ ንውሉዳ እተጸናንዕ፡ ከምኡ ኽጸናንዓኩም
እየ፡ ኣብ የሩሳሌም ከኣ ኽትጸናንዑ ኢኹም። [14] ልብኹም ከኣ እዚ ርእዩ ኺሕጐስ እዩ፡ ኣዕጽምትኹም
ድማ ከም ዚጥጥዕ ሳዕሪ ሓይሊ ኺውስኽ እዩ። ኢድ እግዚኣብሄር ንባሮቱ ኽትፍለጥ እያ፡ ንጸላእቱውን
ኪቑጥዖም እዩ። [15] ኲራኡ ብነድሪ፡ መግናሕቱ ኸኣ ብሃልሃልታ ሓዊ ኺፈዲ፡ እንሆ፡ እግዚኣብሄር
ብሓዊ ኺመጽእ እዩ፡ ሰረገላታቱውን ከም ህቦብላ ኪኾና እየን። [16] እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ስጋ
ዝለበሰ ብሓውን ሰይፍን ኪፈርዶ እዩ እሞ፡ እቶም እግዚኣብሄር ዚቐትሎም ብዙሓት እዮም። [17] እቶም
ደድሕሪ እቲ ኣብ ማእከል ዘሎ ናብ ኣታኽልቲ ኪኸዱ ንነፍሶም ዚቕድሱን ዜጽርዩን፡ ስጋ ሓሰማን

ፍንፋንን ኣናጹን ዚበልዑ ኹሎም ብሓደ ኺጠፍኡ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [18] ኣነ ግብሮምን ሓሳቦምን እፈልጥ እየ፡ ኩሎም ኣህዛብን ቋንቋታትን ዝእከበሉ ዘመን ይመጽእ ኣሎ፡ ንሳቶም ከኣ ኪመጹን ክብረተይ ኪርእዩን እዮም። [19] ኣባታቶም ከኣ ትእምርቲ ኽገብር እየ፡ ነቶም ካባታቶም ዘምለጡ ናብ ኣህዛብ፡ ናብቶም መንትግ ዚውርውሩ ሰብ ተርሲስን ፋልን ሉድን ናብ ቱባልን ያዋንን፡ ናብተን ወረይ ዘይሰምዓ፡ ክብረይ ከኣ ዘይረኣያ ርሑቓት ደሴታትን ክልእኽ እየ፡ ንሳቶም ድማ ክብረይ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኪነግሩ እዮም። [20] ከምቲ ደቂ እስራኤል ንመባኦም፡ ብጽሩይ ኣቕሓ ገይሮም፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ዜምጽእዎ፡ ንኹሎም ኣሕዋትኩም ድማ፡ መባእ እግዚኣብሄር ገይሮም፡ በፍራስን ብሰረገላታትን ብቓሬዛታትን በባቕልን ብፈጠናት ኣግማልን ካብ ኩሎም ኣህዛብ ናብቲ ቅዱስ ከረነይ ናብ የሩሳሌም ኬምጽእዎም እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [21] ካህናትን ሌዋውያንን ዚኾኑ ኽኣ ካባታቶም ክወስድ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [22] ከምቲ ኣነ ዝገብሮ ሓድሽ ሰማይን ሓድሽ ምድርን ኣብ ቅድመይ ዚነብር፡ ከምኡ ዘርእኹምን ስምኩምን ኪነብር እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [23] ኪኸውን ድማ እዩ፡ ካብ ሰርቂ ወርሒ ኽሳዕ ሰርቂ ወርሒ፡ ካብ ሰንበት ከኣ ክሳዕ ሰንበት፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣብ ቅድመይ ኪሰግድ ኪመጽእ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [24] ወጺኦም ከኣ ንሬሳታት እቶም ካባይ ዝዐለው ኺርእዩ እዮም፡ ሓሰኻኦም ኣይኪመውትን፡ ሓዎም ድማ ኣይኪጠፍእን እዩ እሞ፡ ንኹሉ ስጋውን መፈንፈኒ ኪኾኑ እዮም።

# ትንቢት ኤርምያስ

## ምዕራፍ 1

1 ኤርምያስ ወዲ ህልቅያ፡ ካብ ዓሌት እቶም ኣብ ኣናቶት ኣብ ምድሪ ብንያም ዝነበሩ ኻህናት እተናገሮ
ቓል። 2 ናብኡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ዓመት ግዝኣት ዮስያስ፡ ወዲ ኣሞን ንጉስ ይሁዳ፡ ቃል
እግዚኣብሄር መጸ። 3 ከምኡውን ብዘመን ዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ክሳዕ እታ መወዳእታ
መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመት ግዝኣት ጼድቅያስ፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ክሳዕ ነቲ የሩሳሌም
እተማረኸትሉ ኣብ ሓምሳይ ወርሒ መጸ። 4 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ እሞ፡ 5 ኣብ
ከርሲ ኣዴኻ ኸይሀነጽኩኻ ፈለጥኩኻ፡ ካብ ማሕጸን ከይወጻእካ ኸኣ ቀደስኩኻ፡ ነህዛብ ነብዩ
ኽትከውን ድማ መደብኩኻ፡ በለ። 6 ኣነ ድማ፡ ኣይ፡ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽይ፡ ገና ቈልዓ እየ እሞ፡
እንሆ፡ ክዛረብ ኣይክእልን እየ፡ በልኩ። 7 እግዚኣብሄር ግና በለኒ፡ ናብ ዝልእከካ ዅሉ ኺድ፡ እቲ
ዝእዝዘካ ዅሉ ድማ ተዛረብ እምበር፡ ቈልዓ እየ ኣይትበል። 8 ምእንቲ ኽናግፈካ ምሳኻ እየ እሞ፡
ኣይትፍርሃዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 9 እግዚኣብሄር ከኣ ኢዱ ዘርጊሑ እሞ ኣፈይ ተንከየ።
እግዚኣብሄር ድማ፡ እንሆ፡ ቃላተይ ኣብ ኣፍካ ኤንብር ኣሎኹ፡ 10 ርኤ፡ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትን
መንግስትታትን ክትምንቅስን ከተፍርስን ከተዖኑን ከተጥፍእን ክትነድቕን ክትተክልን ኣቚመካ እየ፡
በለኒ። 11 ድሕሪ እዚውን፡ ኣታ ኤርምያስ፡ እንታይ ትርኢ ኣሎኻ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ።
ኣነ ድማ፡ ጨንፈር ኦም ለውዚ እርኢ ኣሎኹ፡ በልኩ። 12 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ንቓለይ ክተግሃሉን ከም
ዚፍጸም ክገብሮን እየ እሞ፡ ጽቡቕ ርኢኻ፡ በለኒ። 13 ቃል እግዚኣብሄር ድማ ካልኣይ ጊዜ ናባይ መጺኡ፡
እንታይ ትርኢ ኣሎኻ በለኒ። ኣነውን፡ ገጹ ናብ ሰሜን ኣቢሉ ዚፈልሕ ድስቲ እርኢ ኣሎኹ፡ በልኩ። 14
ሽዑ እግዚኣብሄር በለኒ፡ ሕሰም ካብ ሰሜን ናብቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዅሎም ኪፍኖ እዩ። 15 እንሆ፡
ናይ ሰሜን መንግስትታት ዓሌት ኵሎም ክጽውዕ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ንሳቶም ከኣ መጺኦም ነፍሲ
ወከፎም ኣብ ኣፍ ደጌታት የሩሳሌምን ኣብቲ ከተማታት ይሁዳን መመንበሮም ኬንብሩ እዮም። 16 ብሰሪ
ዅሉ ኽፍኣቶም ንኣይ ስለ ዝሓደጉን ንኻልኦት ኣማልኽቲ ዕጣን ስለ ዝዐጠኑን ንግብሪ ኢዶም ስለ
ዝሰገዱን፡ ፍርደይ ክነግሮም እየ። 17 እምበኣርሲ ንስኻ ሕቘኻ ተዐጠቕ፡ ተንስእ እሞ እቲ ኣነ ዝእዝዘካ
ዅሉ ንገሮም። ኣነ ኣብ ቅድሚኦም ፈራህ ከይገብረካስ፡ ኣብ ቅድሚ ገጾም ኣይትፍራህ። 18 እንሆ፡ ኣነ
ንዅሉ ምድርን ንነገስታት ይሁዳን ንሹማምታን ንኻህናታን ንህዝቢ ሃገራን ከም እተዐርደት ከተማን
ከም ዓንዲ ሓጺንን ከም ቀጽሪ ኣስራዝን ገይረ ሎሚ ኣቚመካ እየ። 19 ኪዋግኡኻ እዮም፡ ግናኸ ምእንቲ
ኽናግፈካ ኣነ ምሳኻ እየ እሞ፡ ኣይኪስዕሩኻን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 2

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ ናባይ መጸ፡ 2 ኪድ እሞ ኣብ ኣእዛን የሩሳሌም፡ እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ጨድር፡ ፍቕሪ ንእስነትክን፡ መርዓት ከሎኺ ኽንደይ ከም ዘፍቀርክንንን፡
ኣብ ጸምጸም በረኻ ኣብ ዘይዝራእ ሃገርውን ከም ዝሰዐብክኒ፡ እዝክረልኪ ኣሎኹ። 3 እስራኤል
ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ፡ በዅሪ ቐውዑ ነበረ፡ ዚበልዕዎ ዘበሉ ይዕገቡ፡ሕሰም ድማ ኪወርዶም እዩ፡

ይብል እግዚኣብሄር። 4 እቱም ቤት ያእቆብ፡ ኲላትኩም ከኣ ዓሌት ቤት እስራኤል፡ ቃል እግዚኣብሄር
ስምዑ፡ 5 ኣቦታትኩም ካባይ ዝረሐቑ፡ ደድሕሪ ኸንቱነት ዝሰዓቡ፡ ንርእሶምውን ከንቱነት ዝኾኑስ
እንታይ ዓመጻ ረኺቡለይ ይብል እግዚኣብሄር። 6 ንሳቶም ከኣ፡ እቲ ካብ ሃገር ምስሪ ዘውጽኣና፡ ብበረኻ፡
ብምድሪ ጽምዋን ድንጒርን፡ ብምድሪ ኣጻምእን ድነ ሞትን፡ በቲ ሓደ እኳ ዘይሐልፎን ሓደ ሰብ እኳ
ዘይነብረሉን ምድሪ ዝመርሓና እግዚኣብሄርሲ ኣበይ ኣሎ ኣይበሉን። 7 ኣነ ድማ፡ ፍሪኡን ጥዑሙን
ምእንቲ ኽትበልዑ፡ ናብ ፈራዪ ምድሪ ኣእቶኹኹም። ንስኻትኩም ግና ምስ ኣቶኹም፡ ንምድረይ
ኣርከስኩምዋ፡ ንርስተይውን ፍንፉን ገበርኩምዎ። 8 ካህናት፡ እግዚኣብሄር ኣበይ ኣሎ ኣይበሉን፡ ሕጊ
ዝሐዙ ድማ ኣይፈለጡንን፡ ጓሶት ጠለሙኒ፡ ነብያት ብስም በዓል ተነበዩ፡ ደድሕሪ እቶም ዘይጠቕሙ
ኸኣ ሰዐቡ። 9 ስለዚ ገና ኽካትዓኩም እየ፡ ምስ ደቂ ደቅኹም እኳ ኽካታዕ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 10
ናብ ደሴታት ኪቲም ተሳገሩ እሞ ርኣዩ፡ ናብ ቄዳር ልኣኹ እሞ ኣጸቢቕኩም ተመልከቱ፡ ከምዚ ዘመሰለ
ከቶ ኾይኑ እንተ ኾነ ድማ ጠምቱ። 11 ዘይኣማልኽቲ ኽነሶምሲ፡ ኣማልኽቱ ዝለወጠ ህዝቢዶ ኣሎ
ህዝበይ ግና ግርማኡ ንዘይጠቅም ለወጠ። 12-13 ህዝበይ ክልተ ኽፉእ ገይሩ፡ ንኣይ ንፈልፋሊ ህያው ማይ
ሐዲጎምኒ፡ ንርእሶም ከኣ ሓጽብታት፡ ማይ ዘየዕቍር ነቓዕ ሓጽብታት ኲዒቶም እዮም እሞ፡ ኣቱም
ሰማያት፡ በዚ ተገረሙ፡ ሰምብዱ፡ ኣዚኹምውን ራዕራዕ በሉ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 14 እስራኤልሲ
ባርያዶ እዩ ወይስ ኣብ ቤት እተወልደ ባርያ ዶኾን እዩ ስለምንታይ ደኣ ንምርኮ ተወፈየ 15 ሽደናት
ኣናብስ ጓዘሙሉ፡ ደሃዮም ኣስምዑ፡ ምድሩ ኸኣ ኣዕነው። ከተማታቱ ነደዳ፡ ዚነብረለን ድማ የልቦን። 16
ደቂ ኖፍን ታህፋኔስን ቅርቅርትኻ ፈገጹ። 17 እዚ ዝወረደክስ ነቲ ብቕኑዕ መገዲ ዚመርሓኪ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኪ ስለ ዝሐደግኪዶ ኣይኰነን 18 ሕጂኸ ማይ ሲሆር ክትሰትዪ ኣብቲ ናብ ግብጺ ዚወስድ መገዲ
እንታይ ክትገብሪ ኢኺ ወይስ ካብቲ ወሓዚ ርባ ኽትሰትዪ፡ ኣብቲ ናብ ኣሶር ዚወስድ መገድስ እንታይ
ክትገብሪ ኢኺ 19-20 ካብ ጥንቲ ጀሚረ ኣርዑትኪ ሰበርኩ፡ መኣሰርኪ በጠስኩ፡ ኣይግዛእን ድማ በልኪ፡
ኣብ ኲሉ በሪኽ ኲድኹዶታትን ትሕቲ ኹሉ ልሙዕ ኣእዋምን ደኣ ንዝሙት ጠንቀላዕላዕ በልኪ እሞ፡
ክፍኣት ርእስኺ ኪቕጽዓኪ፡ ዘይእምንቲ ምኻንኪ ድማ ኪግስጸኪ እዩ። እምበኣረይ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽኪ ምሕዳግን ንኣይ ዘይምፍራህን ክንደይ ክፉእን መሪርን ምኻኑ ፍለጥን ርኣይን፡ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 21 ኣነስ ከም ሕሩይ ሓረግ ወይኒ ገይረ ካብ ጽሩይ ዓሌት ተኸልኩኺ፡
ከመይ ኢልኪ ደኣ ኣብ ድቓላ ሓረግ ወይኒ ተለወጥክኒ 22 ብጨው ባሩድ እኳ እንተ ተሐጸብኪ፡ ብዙሕ
ሳሙና ኸኣ እንተ ኣዘውተርኪ፡ ኣበሳኺ ኣብ ቅድመይ ርኹስ ኰይኑ ይነብር፡ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ። 23 ከመይ ኢልኪ ኢኺ፡ ኣይረኸስኩን፡ ደድሕሪ በዓል ኣይሰዐብኩን፡ እትብሊ ዘሎኺ ስጓምኺ
ናብቲ ለሰ ተመልከቲ፡ ዝገበርክዮ ዘክሪ፡ ኣብዝን ኣብትን ከም እትፋንን ገመል ኰንኪ። 24 በረኻ ኽም
ዝለመደት፡ ከም ድሌታ ንንፋስ ፌንፊን እትብል፡ ሓደ እኳ ባህጋ ኪኽልክል ዘይኽእል ኣድጊ ኸደን፡
ከምኡ ኾንኪ። ዚደልይዋ ኹላቶም ብጒያ ኣይደኽሙን፡ ኣብ ወርሓታ ይረኽብዋ። 25 እግርኺ ጥራዩ
ካብ ምኻን፡ ጐረሮኺ ድማ ካብ ምጽማእ ተጠንቀቒ። ንስኺ ግና፡ ጓኖት ፈትየ ኣሎኹ፡ ደድሕሪኦም
ክስዕብ እየ እሞ፡ እዝስ እኳ ኣይኸውንን እዩ፡ በልኪ። 26 ከምቲ ሰራቒ ምስ ተታሕዘ ዚንውር፡ ከምኡ
ቤት እስራኤል፡ ንሳቶም ነገስታቶምን መሳፍንቶምን ካህናቶምን ነብያቶምን፡ ኪንውሩ እዮም። 27
ዝባኖም እምበር፡ ገጾም ናባይ ኣይመለሱን እሞ፡ ንዕጨይቲ፡ ንስኻ ኣቦይ ኢኻ፡ ንእምኒ ድማ፡ ንስኺ
ወለድኽና፡ ይብሉ። ብጊዜ መከራኦም ግና፡ ተንስእ እሞ ኣድሕነና፡ ይብሉ። 28 ኣታ ይሁዳ፡ ኣማልኽትኻ
ኽንዲ ፍቕዲ ኸተማታትካ እዮም እሞ፡ እቶም ንርእስኻ ዝገበርካዮም ኣማልኽትኻ ደኣ ኣበይ ኣለው
ብጊዜ መከራኻ ኼድሕኑኻ ዚኽእሉ እንተ ኾይኖምሲ፡ ይተንስኡ። 29 ስለምንታይ ምሳይ እትካትዑ

ኲላትኩም ክሒድኩምኒ ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 30 ብኸንቱ ንደቅኹም ወቃዕኩ፡ ንሳቶምውን
ኣይተቐጽዑን። ሴፍኩም ከም ሰባሪ ኣንበሳ ኾይኑ ንነብያትኪም በሊዖም። 31 ኣታ ወለዶ፡ ቃል
እግዚኣብሄር ኣስተውዕሉ። ንእስራኤልዶ ጸምጸም በረኻ ወይስ ድቕድቕ ጸልማት ኰንክዎ ስለምንታይ
ደኣ ህዝበይ፡ ሓራ ውጹኣት ኢና፡ ደጊም ናባኻ ኣይንምለስን፡ ዚብሉ 32 ጐርዞዶ ስልማታ ወይስ መርዓት
ቅናታ ትርስዕ እያ ህዝበይንከ ቍጽሪ ዜብሉ መዓልትታት ረሲዓኒ። 33 ደድሕሪ ፍትወትኪ ንምኹያይሲ
መገዲ ንምርካብ ክንደይ ኰታ ጮለ ኢኺ። ስለዚ ድማ ብመገዲ ኽፍኣት መልመዲት ኢኺ። 34 ክሳዕ
ኣብ ዘፋፍር ክዳንኪ ደም እቶም ዝቐተልክዮም ንጹሃት ድኻታት ተረኽበ፡ ስለ እዚ ኹሉ ደኣ እዩ
እምበር፡ ኪኹሕሉስ ኣይረኸብክዮምን። 35 ምስናይ እዚ ድማ፡ ኣነ ንጽህቲ እየ፡ ቍጥዓኡ ኻባይ ኣርሒቑ
ተመሊሱ እዩ፡ ትብሊ ኣሎኺ። እንሆ፡ ሓጢኣት የብለይን ስለ ዝበልኪ፡ ምሳኺ ኣብ ፍርዲ ኽኣቱ እየ።
36 ስለምንታይ መገድኺ ንምልዋጥ ትህወኺ ኣሎኺ ከምቲ ብኣሶር ዝነወርክዮ፡ ብግብጺ ኸኣ ክትንውሪ
ኢኺ። 37 እግዚኣብሄር ነቲ እትእመንዮ ደርብይዎ እዩ፡ ምሳታቶም ድማ ኣይኪቐንዓክን እዩ እሞ፡
ካብኡውን ኢድኪ ኣብ ርእስኪ ጌርኪ ኽትወጺ ኢኺ።

## ምዕራፍ 3

1 ብሁልዶ ኣይኰነን፡ ሰብኣይ ንሰበይቱ እንተ ፈትሓ እሞ ንሳ ኻብኡ ኽይዳ ኣብ ካልእ ሰብኣይ እንተ
ተኣቶት፡ ከም ብሓድሽዶ ናብኣ ይምለስ እዩ እቲ ምድሪዶ ኣዝዩ ኣይረክስን ንስኺውን ምስ ብዙሓት
ፈተውቲ ኣመንዚርክስ፡ ናባይዶ ኽትምለሲ ኢኺ ይብል እግዚኣብሄር። 2 ኣዒንትኺ ቛሕ ኣብሊ እሞ ኣብ
ኲርባታት ጠምቲ፡ ዘይደቀስክሉ ኣበይ ኣሎ ከምቲ ወዲ ዓረብ ኣብ ጸምጸም በረኻ ዜድቢ፡ ኣብ መገዲ
ተቐሚጥኪ ትጽበይዮም ነበርኪ፡ ብምንዝርናኽክን ብኽፍኣትክን ድማ ንምድሪ ኣርከስክያ። 3 ብሰሪ እዚ
ሰርቢ ዝናም ተኸልከለ፡ ዝናም ጽብሓትውን ኣይዘነመን። ንስኺ ግና ገጽ ኣመንዝራ ስለ ዘሎኪ ምሕፋር
ኣቤኺ። 4 ሕጂኸ፡ ኣቦይ፡ ንስኻ መሓዛ ንእስነተይ ኢኻ፡ ኢልኪዶ ትጽውዕኒ ኣየሎኽን 5 ንሓዋሩዶ
ኪቕጣዕ እዩ ክሳዕ መወዳእታዶ ኺጽመም እዩ እንሆ፡ ከምዚ ኢልኪ ትዛረቢ፡ ግናኸ ክሳዕ ዚከኣለኪ
ኽፉእ ትገብሪ ኣሎኺ። 6 እግዚኣብሄር ብዘመን ንጉስ ዮስያስ ከምዚ በለኒ፡ እዛ ኸዳዕ እስራኤል
ዝገበረቶዶ ርኢኻ ኣብ ነነዋሕቲ ኣኽራንን ኣብ ዘዝለምዔ ኣእዋምን ከይዳ ኣብኡ ኣመንዚረት። 7 እዚ ኹሉ
ምስ ገበረት ከኣ ናባይ ክትምለስ እያ። በልኩ፡ ግናኸ ኣይተመልሰትን። እታ ጠላሚት ሓብታ ይሁዳ ኸኣ
ነዚ ረኣየት። 8 ነዛ ኸዳዕ እስራኤል እኳ ብምኽንያት ኲሉ ዝሙታ ፈቲሔያ፡ ጽሕፈት መፍትሒኣውን
ሂበያ ኸሎኹስ፡ እታ ጠላሚት ሓብታ ይሁዳ ኽም ዘይሰከሔት፡ ኤረ ኸይዳ ኸም ዘመንዘረት ርኤኹ። 9
ኰነ ድማ፡ ብቕለት ምንዝርንኣ ነታ ምድሪ ኣርከሰታ፡ ምስ እምንን ዕጨይትን ከኣ ዘመወት። 10 ምስናይ
እዚ ኹሉ ኸኣ እታ ጠላሚት ሓብታ ይሁዳ ብግብዝና እምበር፡ ብምሉእ ልባ ናባይ ኣይተመልሰትን፡
ይብል እግዚኣብሄር። 11 እግዚኣብሄር ድማ፡ ካብታ ጠላሚት ይሁዳስ እታ ኸዳዕ እስራኤል ትጸድቕ፡
በለኒ። 12 ኪድ እሞ ኣብ ሸነኽ ሰሜን ነዘን ቃላት እዚኤን ኣውጅ በልውን፡ ኣቲ ኸዳዕ እስራኤል፡ ኣነ
መሓሪ፡ ቍጥዓ ንዘለኣለም ዘይዐቍር፡ ገጸይ ከኣ ኣይከጭምድደልኩምን እየ እሞ፡ ተመለሲ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 13 እምበኣርስኸ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኪ ኸም ዝጠለምኪ፡ ኣብ ትሕቲ ኹሉ ልሙዕ
ኣእዋም ኣብቶም ጓኖት ኣማልኽቲ ኣብዝን ኣብትን ጸፋዕፋዕ ከም ዝበልኪ፡ ቃለይውን ከም
ዘይሰማዕኩም፡ ኣበሳኺ ተኣመኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 14-15 ኣቱም ጠለምቲ ደቂ፡ ኣነ ጐይታኹም እየ፡
ከካብ ከተማ ሓደ፡ ከካብ ስድራ ቤት ክልተ ኣምጺኤ ናብ ጽዮን ከእትወኩም እየ፡ በእምሮን

ብምስትውዓልን ከም ልበይ ገይሮም ዚጓስዩኹም ጓሶት ከኣ ክህበኩም እየ እሞ፡ ተመለሱ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 16 በቲ ዘመን እቲ ምስ በዛሕኩምን ኣብቲ ምድሪ ምስ ተፋሬኹምን፡ ብናይ ታቦት ኪዳን
እግዚኣብሄር ኣይኪዛረቡን፡ ኣይኪሐስብዋን ኣይኪዝክርዋን ድማ እዮም፡ ኣይከተድልዮምን እያ፡ ከም
ብሓድሽውን ኣይኪገብርዋን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 17 ሽዑ የሩሳሌም ዝፋን እግዚኣብሄር
ክትበሀል እያ፡ ኩላቶም ኣህዛብ ከኣ ብስም እግዚኣብሄር ናብ የሩሳሌም ኪእከቡ፡ ድሕርዚ ኸኣ ከም
ህልኽ ክፍኣት ልቦም ኣይኪመላለሱን እዮም። 18 በተን ወርሓት እቲኤን ቤት ይሁዳ ምስ ቤት እስራኤል
ኪኸዱ፡ ሐቢሮም ድማ ካብ ሃገር ሰሜን ናብታ ነቦታትኩም ኪርስተይዋ ዝሀብክዎም ምድሪ ኺመጹ
እዮም። 19 ኣነ ግና ምስ ውሉድ ገይረ ኻብ ኲሉ ዚበልጽ ጥዑም ምድሪ፡ ርስቲ ኣህዛብ ክህበኪ እየ፡ ኢለ
ነበርኩ። ንስኺ፡ ኣቦየ፡ ኢልኪ ኽትጽውዕኒ፡ ካባይ ድማ ኣይክትርሕቅን ኢኺ፡ ኢለውን ነበርኩ። 20
ግናኸ ኣቱም ቤት እስራኤል፡ ከምታ ንሰብኣያ እትጠልም ሰበይቲ ጠለምኩምኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 21
መገዶም ስለ ዘበላሸውን ንእግዚኣብሄር ኣምላኾም ስለ ዝረስዑን፡ ድምጺ ኣብ ኲርባታት ተሰምዔ፡
ንሱውን ብኽያትን ምህለላን ደቂ እስራኤል እዩ። 22 ኣቱም ጠለምቲ ደቂ፡ ካብ ጥልመትኩም
ከሕውየኩም እየ እሞ፡ ተመለሱ። ንስኻ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኢኻ እሞ እኔና፡ ናባኻ ንመጽእ ኣሎና።
23 ብሓቂ ኻብ ኲርባታት ረዲኤት ምጽባይና ኸንቱ እዩ፡ ኣኽራንሲ ጥቕሚ ዜብሉ ደሃይ ደኣ ሀቡና።
ብሓቂ ምድሓን እስራኤል ካብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ ዚርከብ። 24 ሓፍረት ጣኦታት ግና ንፍረ ጻዕሪ
ኣቦታትና፡ ነባጊዖምን ንኣሓኦምን ነወዳቶምን ነዋልዶምን፡ ካብ ንእስነትና ጀሚሩ በልዖ። 25 እምበኣርሲ
ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ምስማዕ ስለ ዝኣቤና፡ ንሕናን ኣቦታትናን ካብ ንእስነትና ጀሚርና ኽሳዕ
ሎሚ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ስለ ዝበደልና፡ ኣብ ሓፍረትና ፈፊው ንበል፡ ነውርና ኸኣ የጒልብበና።

## ምዕራፍ 4

1 ኣታ እስራኤል፡ እንተ ተመለስካስ፡ ናባይ ደኣ ተመለስ። ነቲ ጽያፍካ ኻብ ቅድመይ እንተ ኣርሐቕካዮ፡
ቀባሕባሕ ኣይክትብልን ኢኻ፡ 2 ሽዑ፡ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ኢልካ ብሓቅን ብቕንዕናን ብጽድቅን
ክትምሕል ኢኻ፡ ኣህዛብ ከኣ ብእኡ ኺባረኹን ኪሕበኑሉን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 3
እግዚኣብሄር ንሰብ ይሁዳን የሩሳሌምን ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በዱኹም ጽግኡ እሞ ኣብ እሾኹ
ኣይትዝርኡ። 4 ኣቱም ሰብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም እትነብሩን፡ ብሰሪ ኽፍኣት ግብርኹም ቍጥዓይ ከም
ሓዊ ኸይነድድ እሞ ሓደ እኳ ኬጥፍኦ ኸም ዘይኽእል ኰይኑ ሃልሃል ከይብልሲ፡ ንእግዚኣብሄር
ተገዘሩ፡ ልብኹም ግዘሩ። 5 ኣብ ይሁዳ ንገሩ፡ ኣብ የሩሳሌም ኣውጁ እሞ፡ ኣብታ ሃገር መለኸት ንፍሑ፡
በሉ። ዓው ኢልኩም ከኣ፡ ተኣከቡ እሞ ናብተን ጽኑዓት ከተማታት ንእቶ፡ ኢልኩም ጨድሩ። 6 ካብ
ሰሜን መዓትን ዓብዪ ጥፍኣትን ከምጽእ እየ እሞ፡ ናብ ጽዮን ኣቢሉ ዜመልክት ሰንደቕ ዕላማ ትኸሉ፡
መጻግዒ ድለዩ፡ ጠጠው ኣይትበሉ። 7 ኣንበሳ ኻብቲ ጭምጭም ዱር በለኽ ይብል፡ ምድርኺ ኼባድም፡
ከተማታትኪ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ዚነብረለን ክሳዕ ዚሰኣን፡ ኬፍርስ፡ መጥፍእ ህዝብታት ነቒሉ ኻብ ስፍራኡ
ይወጽእ። 8 እምበኣርሲ እቲ ነዳዲ ቍጥዓ እግዚኣብሄር ካባና ኣየግለሰን እዩ እሞ፡ ከሊ ተኸደኑ፡ ኣልቅሱ
ዋይዋይ ድማ በሉ። 9 በታ መዓልቲ እቲኣ ልቢ ንጉስ ልቢ መሳፍንትን ከም ዚዝሕትል፡ ካህናት ከም
ዚፈዙ፡ ነብያትውን ከም ዚግረሙ ኪኸውን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 10 ኣነ ግና፡ ኣየ፡ ኣታ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ሰይፊ ኽሳዕ ነፍስና በጺሑ ኸሎስ፡ ደሓን ኢኹም ብምባልካ ነዚ ህዝቢ እዝን
ንየሩሳሌምን ብርግጽ ጠቢርካዮም፡ በልኩ። 11 በቲ ዘመን እቲ ነዚ ህዝቢ እዝን ንየሩሳሌምን ከምዚ

ኪበሀል እዩ፡ ሃሩር ዘለዎ ንፋስ ካብቲ በረኻቲ ምድረ በዳ ናብታ ጓል ህዝበይ ኪመጽእ እዩ፡
ንምምስኣይን ንምዝራውን ዚኸውን ኣይኰነን፡ 12 ካብኡ ኣዝዩ ዚብርትዕ ንፋስ ካባይ ኪመጽእ እዩ፡
ኣነውን ሕጂ ብፍርዲ ኽዛረቦም እየ። 13 እንሆ፡ ከም ደበና ኾይኑ ይወጽእ፡ ሰረገላታቱ ኸም ህቦብላ
እዮም። ኣፍራሱ ኻብ ንስሪ ይቕልጥፉ። ጠፊእና ኢና እሞ፡ ወይለና። 14 ኣቲ የሩሳሌም፡ ምእንቲ
ኽትድሕንስ ልብኺ ኻብ ክፍኣት ሕጸቢ። ክሳዕ መኣዝ ክፉእ ሓሳባት ኣብ ውሽጥኺ ኺነብር እዩ 15 ካብ
ዳን ድምጺ ይስማዕ፡ ካብ ኣኽራን ኤፍሬም ከኣ ሕሰም ይውረ ኣሎ እሞ፡ 16 እንሆ፡ ካብ ርሑቕ ሃገር
ዚኸብብ ጭፍራ ይመጽእ፡ ንኸተማታት ይሁዳ ኸኣ ይፍከሩለን አለው፡ ኢልኩም ነህዛብ ንገርዎም፡
ንየሩሳሌም ኣፍልጥዋ። 17 ንኣይ ስለ እተጻረረት፡ ከም ሓለውቲ ግራት ኰይኖም ብኹሉ ወገና ይኸብዋ፡
ይብል እግዚኣብሄር። 18 ኣኻይዳኽን ግብርኽን እዩ እዚ ዘውረደልኪ፡ እዚ ኽፍኣትኪ እዩ፡ መሪር እዩ
እሞ፡ ክሳዕ ልብኺ ይበጽሕ። 19 ኣምዑተይ፡ ኣምዑተይ ተበጠሰ፡ ኣየ ኣፍ ልበይ፡ ልበይ ኣብ ውሽጠይ
ትርግርግ ይብል ኣሎ። ነፍሰይ ደሃይ መለኸትን ህማም ውግእን ትሰምዕ ኣላ እሞ፡ ትም ኣይብልን። 20
ኲላ እታ ሃገር ዐኒዋ እያ እሞ፡ ጥፍኣት ኣብ ርእሲ ጥፍኣት ይውረ ኣሎ፡ ጕጅታተይ ብድንገት፡
ድንኳናተይ ድማ ብቕጽበት ዓይኒ ዐነዋ። 21 ክሳዕ መኣዝ ሰንደቕ ዓላማ ኽርኢ፡ ደሃይ መለኸትስ ክሰምዕ
እየ 22 ህዝበይ ዓሻ እዩ እሞ፡ ኣይፈልጠንን፡ ድንዙዛት ደቂ እዮም እሞ፡ ኣእምሮ የብሎምን። እከይ
ንምግባር ጥበበኛታት እዮም፡ ሰናይ ንምግባር ግና ኣይፈልጡን እዮም። 23 ንምድሪ ጠመትክዋ፡ እንሆ፡
ጽምዋን ባዶን ነበረት፡ ንሰማያትውን ጠመትኩ እሞ ብርሃን ኣይነበሮን። 24 ነኽራን ጠመትኩ፡ እንሆ ኸኣ
ራዕራዕ ይብሉ፡ ኲላቶም ኰረቢትውን የንፈጥፍጡ ኣለው። 25 ጠመትኩ፡ እንሆ ኸኣ፡ ሰብ ኣይነበረን፡
ኲለን ኣዕዋፍ ሰማይ ከኣ በረራ። 26 ጠመትኩ፡ እንሆ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄርን ኣብ ቅድሚ ነድሪ
ቍጥዓኡን እታ ፈራይት ምድርስ ምድረ በዳ ኾነት፡ ከተማታታ ድማ ፈረሳ። 27 እግዚኣብሄር ኸምዚ
ይብል፡ ኲላ እታ ሃገር ክትባድም እያ፡ ግናኸ ብጥራስ ኣይከጥፍኣን እየ። 28 ኣነ ኢለ ኢሎኹ ወዲኤዮ
ኸኣ እየ፡ ኣይክጠዐሰሉን ኣይክምልሶን ድማ እየ እሞ፡ ብሰሪ እዚ ምድሪ ኽትሐዝን፡ ሰማያትውን ኣብ
ላዕሊ ኺጸልምት እዩ፡ ይብል ኣሎ። 29 ካብቲ ድዋዕዋዕ ምባል ፈረሰኛታትን ወርወርቲ ፍላጻን እተላዕለ፡
ኲሉ እቲ ኸተማታት ይሀድም። ኣብ ዕሙር ዱር ይሰኺኹዑ፡ ኣብ ኣኻውሕ ከኣ ይሐኹሩ፡ ኲሉ
ኸተማታት ተሐደገ፡ ዚነብሮ ሰብ ከኣ የልቦን። 30 ኣቲ ዝዐኖኺኸ፡ እንታይ ኽትገብሪ ኢኺ ጁኹ እንተ
ተኸደንኪ፡ ስልማት ወርቂ እንተ ተሰለምኪ፡ ኵሕሊ እንተ ተኾሐልኪ፡ ንኸንቱ ኢኺ እተጋይጺ
ዘሎኺ። ፈተውትኺ ንዒቕምኺ ነፍስኺ ይደልዩ ኣለው። 31 ነቲ ቕልውላው ዝሐዛ፡ ነቲ ምዕሉባጥ
ፈለማያ እትወልድ ሰበይቲ ዚመስል ኣደደ ምባል እሰምዕ ኣሎኹ እሞ፡ ደሃይ እታ ዓቕሊ ኣጽቢባ፡ ኢዳ
ዘርጋሕጋሕ እተብል፡ ዋይ ደኣ ነፍሰይ ብሰሪ እዞም ቀተልቲ ሰልከየት፡ ኢላ እትድሂ ዘላ ጓል ጽዮን እዩ።

# ምዕራፍ 5

1 ኣብ ኣደባባይ የሩሳሌም ዙሩ እሞ ርኣዩን ተመልከቱን፡ ኣብ ዕዳጋታታ ኸኣ ድለዩ፡ ሓደ እኳ፡ ሓደ
በይኑ ፍትሒ ዚገብር ሓቂ ኸኣ ዚደሊ እንተ ረኸብኩም፡ ኣነውን ይቕረ ኽብለላ እየ። 2 ህያው
እግዚኣብሄር እዩ፡ እኳ እንተ በሉ፡ብሓሶት እዮም ዚምሕሉ ዘለው። 3 ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣዒንትኻዶ ሓቂ
ኣይኰናን ዚደልያ፡ ወቓዕካዮም፡ ግናኸ ኣየሕመሞምን። ኣኹትካዮም፡ ግናኸ ኣይተቐጽዑን። ገጾም ካብ
ከውሒ ዚተርር ገበሩ እሞ ምምላስ ኣበዩ። 4 ኣነ ኸኣ፡ እዚኣቶም መገዲ እግዚኣብሄርን ፍትሒ
ኣምላኾምን ዘይፈልጡ እዮም እሞ፡ ድኻታትን ዓያሱን እዮም፡ 5 እምበኣርሲ ናብቶም ዓበይቲ ደኣ

ክኸይድ፡ ንሳቶም መገዲ እግዚኣብሄርን ፍትሒ ኣምላኾምን ዚፈልጡ እዮም እሞ፡ ክነግሮም፡ በልኩ። ግናኸ እዚኣቶም ድማ ሐቢሮም ኣርዑት ሰበሩ መእሰሪታትውን በጠሱ። [6] ኣበሳኦም ታእላው የብሉን፡ ጥልመቶም ከኣ እናወሰኸ እዩ ዚኸይድ ዘሎ እሞ፡ ስለዚ ኣንበሳ ኻብ ዱር ወጺኡ ይሰብሮም፡ ተዂላ መሮር ድማ የጥፍኦም፡ ነብሪ ኣብ ከተማታቶም ይቃጽ፡ ውጽእ ንዝበለውን ይምንጥሎ። [7] ከመይ ኢለ ይቕረ ኽብለልኪ ደቅኺ ጠለሙኒ፡ ኣማልኽቲ ብዘይ ኰኑ ኸኣ ይምሕሉ ኣለው። ኣጽገብክዎም፡ ንሳቶም ድማ ዘመው፡ ኣብ ቤት ኣመንዝራውን ተኣኻኸቡ። [8] ከምቶም ጽቡቕ እተመጨኑ ውዑያት ኣፍራስ እዮም፡ ነፍሲ ወከፎም ደድሕሪ ሰበይቲ ብጻዩ ይሕምሕም። [9] በዚ ነገር እዚዶ ኣይክቐጽዖምን እየ ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ ህዝብስ ነፍሰይዶ ሕነ ኣይክትፈድዮን እያ ይብል እግዚኣብሄር። [10-11] ቤት እስራኤልን ቤት ይሁዳን ጠሊሞምኒ እዮም እሞ፡ ኣብ ቀጽርታታ ደዪብኩም ኣፍርሱ፡ ግናኸ ብጥራስ ኣይተጥፍእዋ። ጨናፍራ ናይ እግዚኣብሄር ኣይኰነን እሞ፡ ኣርሕቕዎም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [12-13] እዚኣቶም ከኣ፡ እግዚኣብሄር የሎን፡ ክፉእ ኣይኪወርደናን እዩ ሰይፍን ጥሜትን ኣይክንርእን ኢና፡ ነብያት ንፋስ ኪኾኑ እዮም፡ ብኣታቶም ዚዛረብ ከኣ የልቦን፡ ከምኡ ንርእሶም ይኹን፡ ኢሎም ንእግዚኣብሄር ኸሐዱ። [14] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እዚ ቓል እዚ ስለ እተዛረብኩም፡ እንሆ፡ ነቲ ቓላተይ ኣብ ኣፍካ ኸም ሓዊ፡ ነዚ ህዝቢ ድማ ከም ዕጨይቲ ኽገብሮ እየ እሞ ኪልቕሞም እዩ። [15] ኣቱም ቤት እስራኤል፡ እንሆ፡ ህዝቢ ኻብ ርሑቕ ከም ጽኣልኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ሓያል ህዝቢ፡ ጥንታዊ ህዝቢ፡ ቋንቋኦም ዘይትፈልጦ፡ ዘረባኦም ድማ ዘይተስተውዕሎ ህዝቢ እዮም። [16] ጕልድባኦም ክፉት መቓብር እዩ፡ ኲላቶም ከኣ ጀጋኑ እዮም። [17] ንሳቶም ነቲ ኣወዳትካን ኣዋልድካን ኪበልዕዎ ዚግባእ ቀውዕኻን እንጌራኻን ኪበልዑ፡ ወይንኻን በለስካን ኪበልዑ እዮም። ነተን እትእመነን ጽኑዓት ከተማታትካ ብሰይፊ ኼፍርስወን እዮም። [18] ግናኸ በተን መዓልትታት እቲኣተን ከኣ ብጥራስ ኣይከጥፍኣኩምን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [19] ንስኻትኩም ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ስለምንታይ እዩ እዚ ዅሉ ዝገበረና እንተ በልኩም፡ ሽዑ ንስኻ፡ ከምቲ ንስኻትኩም ዝሐደግኩምኒ፡ ኣብ ሃገርኩም ንጓኖት ኣማልኽቲ እተገዛእኩም፡ ከምኡውን ኣብ ዘይሃገርኩም ንጓኖት ክትግዝኡ ኢኹም፡ ኢልካ ምለሰሎም። [20] እዚ ኣብ ቤት ይእቆብ ኣውርዩ፡ ኣብ ይሁዳ ኸኣ ንገሩ እሞ በሉ፡ [21] ኣታ ልቢ ዜብሉ፡ ዓይኒ ኸለዎ ዘይርኢ፡ እዝኒ ኸለዎ ድማ ዘይሰምዕ ዓሻ ህዝቢ፡ እዚ ስማዕ፡ [22] ንኣይሲ ኣይምፈራህኩምንንዶ ብዘለኣለማዊ ትእዛዝ ገይረ ኸይሐልፎ ድበት ንደረት ባሕሪ ዝገበርኩኽ፡ ኣብ ቅድመይዶ ራዕራዕ ኣይምበልኩምን ማዕበሉ እኳ እንተ በርትዔ፡ ኣይኽእሎን፡ ይሃጽፍ፡ ግናኸ ከቶ ኣይሳገሮን፡ ይብል እግዚኣብሄር። [23] እዚ ህዝቢ እዚ ግና እምቢተኛን ዓላውን ልቢ ኣለዎ፡ ንድሕሪት ይምለሱ እሞ ጸው ይብሉ። [24] ብልቦም ከኣ፡ ነቲ በብጊዜኡ ዝናም ጽድያን ቀውዕን ዚህበና፡ ምዱባት ሳምንትታት ቀውዒውን ዝሰርዓልና እግዚኣብሄር ኣምላኽና ንፍርሃዮ፡ ኣይበሉን። [25] ኣበሳኹም ነዚ ኽልከለ፡ ሓጢኣትኩም ከኣ ነዚ ጸጽቡቕ ኣኽልኣኩም። [26] ኣብቶም ህዝበይሲ ረሲኣን ሰባት ይርከቡ፡ ከምቶም ኣዕዋፍ ዜፈንጥሩ ይቃጸው፡ መፈንጠራ ዘርጊሖም ከኣ ሰብ የፈንጥሩ ኣለው። [27] ከምታ በዕዋፍ ዝመልኤ እንዳ ዑፍ፡ ከምኡ ድማ ቤቶም ብምጥባር ምሉእ እዩ። ዝለዚ ዓበይትን ሃብታማትን ኰኑ። [28] ስቡሓትን ዜባርቑን ኰኑ፡ ንእከዮም ወሰን የብሉን። ፍትሒ ንዘኽታም፡ ነገሩ ዜቕንዓሉ ፍትሒ፡ ኣየውጽኣሉን፡ ንድኻውን መሰሉ ኣይብይኑሉን። [29] በዚ ነገር እዚዶ ኣይክቐጽዖምን እየ ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ ህዝብስ ነፍሰይዶ ሕነ ኣይክትፈድዮን እያ ይብል እግዚኣብሄር። [30] ኣብታ ሃገር እቲኣ ጒድን ዜሰክሕን እዩ ዚግበር ዘሎ፡ [31] ነብያት ብሓሶት ይንበዩ፡ ካህናት ከኣ ብኢዶም ይገዝኡ ኣለው፡ ህዝበይውን ባህ ኢልዎ ይሰምሮ ኣሎ። ኣብ መወዳእታኡ ደኣኸ እንታይ ክትገብሩ ኢኹም

# ምዕራፍ 6

1 ኣቱም ደቂ ብንያም፡ መዓትን ዓብዪ ጥፍኣትን ካብ ሰሜን ይቐርብ ኣሎ እሞ፡ ካብ ማእከል የሩሳሌም
ህደሙ፡ ኣብ ትቆኣ መለኸት ንፍሑ፡ ኣብ ርእሲ ቤት ሃኬሬም ምልክት ትኸሉ። 2 ነዛ ስብቅልን
ሕንቅቕትን ጓል ጽዮን ከጥፍኣ እየ። 3 ጓሶት ምስ መጓሴታቶም ኣብኣ ይወፍሩ፡ ድንኳናቶም ከኣ ኣብ
ዙርያኣ ይተኽሉ፡ ነፍሲ ወከፍ በብወገኖም ድማ ይጓስዩ ኣለው። 4 ክትዋግእዋ ተዐጠቑ፡ ተንስኡ፡ ቀትሪ
ኸሎ ንውጻእ። ምድሪ መስዩ፡ ጽላሎት ምሸት ከኣ ነዊሑ እዩ እሞ፡ ወይለና። 5 እምበኣርሲ ተንስኡ፡
ብለይቲ ንገስግስ እሞ ነዳራሻታ ነፍርሶ። 6 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣእዋም
ቍረጹ፡ ንየሩሳሌም ከኣ ብቐጽሪ ኸበብዋ። ብዅሉ ወገና ዓመጽን ጐመጽን ኣለዋ እሞ፡ እትቕጻዕ ከተማ
እያ። 7 ዔላ ማዩ ኸም ዜፈልፍል፡ ከምኡ ኸኣ ክፍኣታ ተፈልፍል ኣላ። ኣብኣ ዓመጽን ምብራስን ይስማዕ
ኣሎ፡ ስቓይን ቍስልን ንሓዋሩ ኣብ ቅድመይ እዩ። 8 ኣቲ የሩሳሌም፡ ነፍሰይ ካባኺ ኸይትፍለ እሞ ሰብ
ዘይነብረላ ምድረ በዳ ኸይገብረክስ፡ ተቐጽዒ። 9 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ከምቲ
ንተኽሊ ወይኒ ዚቐርምዎ፡ ነቲ ተረፍ እስራኤል ኪቐርምዎ እዮም። ከምቲ ኣራይ ዘቢብ ኣብ ሓረግ
ዚገብሮ፡ መመሊስካ ኢድካ ዘርግሕ። 10 እንሆ፡ እዝኖም ዘይተገዝረ እዩ፡ ኪሰምዑ ኸኣ ኣይኽእሉን
እዮም። እንሆ፡ ቃል እግዚኣብሄር ነውሪ ኰይንዎም እዩ እሞ ባህ ኣየብሎምን። እምበኣርከ ምእንቲ
ኺሰምዑስ፡ ንመን ደኣ ኽዛረብ፡ ኣብ ቅድሚ መንሲ ኽምስክር እየ 11 ስለዚ ብቝጥዓ እግዚኣብሄር
መሊኤ ኣሎኹ፡ ትም ክብል ድማ ኣይከኣለንን። ሰብኣይን ሰበይትን፡ ኣረጊትን ዕድሚኡ ዘእከለን
ኪተሐዙስ፡ ኣብቶም ቈልዑ ኣብ መገድን ኣብቶም መንእሰይ ኣብ ባይቶን ኣሕቢርካ ኽዐወሎም። 12
ናብቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ኢደይ ክዝርግሕ እየ እሞ፡ ኣባይቶምን ግራህኦምን ኣንስቶምን ብሓባር ኣብ
ካልኦት ኪሐልፍ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 13 ካብ ንእሽቶኦም ክሳዕ ዓብዪኦም ኲላቶም ህሩፋት
ረብሓ፡ ካብ ነብዩ ኽሳዕ ካህን ኲላቶም ሓሶት የዘውትሩ ስለ ዘለው እዩ። 14 ሰላም ዜልቦስ፡ ሰላም ሰላም
እናበሉ፡ ነቲ መውቃዕቲ ህዝበይ ብሸለልታ ይፍውስዎ ኣለው። 15 ጽያፍ ስለ ዝገበሩስ ኪሐፍሩዶ እዮም
ምንም ኣይሐፍሩን፡ ሓፍረት እንታይ ምዃኑ እኳ ኣይፈልጡን። ስለዚ ምስቶም ዚወድቁ ኺወድቁ፡ ምስ
ኣራኻኸብኩሎም ከኣ ጻሕ ኪብሉ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 16 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ
ጐደናታት ደው ኢልኩም ተመልከቱ፡ እቲ ጥንታዊ መገድታት፡ እቲ ጽቡቕ ጐደና ኣየናይ ምዃኑ ሕተቱ
እሞ ብእኡ ተመላለሱ፡ ሽዑ ንነፍስኹም ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም። ንሳቶም ግና፡ ኣይንመላለሰሉን
ኢና፡ ኢሎም መለሱ። 17 ኣብ ደሃይ መለኸት ኣድህቡ፡ ዚብሉኹም ሐለውቲ ሸይመልኩም ነይረ።
ንሳቶም ግና፡ ኣይነድህብን ኢና፡ በሉ። 18 ስለዚ ኣቱም ኣህዛብ፡ ስምዑ፡ ኣቱም ማሕበር፡ እቲ ዚመጾም
ዘሎ ፍለጡ። 19 ኣቲ ምድሪ፡ ስምዒ፡ ኣብ ቃላተይ ኣየድሀቡን፡ ንሕገይ ከኣ ደርብዮምዎ እዮም እሞ፡
ኣብዚ ህዝቢ እዚ መዓት ከምጽእ እየ፡ ንሱ ኸኣ ፍረ ሓሳቦም እዩ። 20 እቲ ዕጣን፡ ካብ ሳባ፡ ምኡዝ
ቃንጫ ኸኣ ካብ ርሑቕ ሃገር ዚመጽእ እንታይ ግዱ ኣሎኒ እቲ ዚሐርር መስዋእትኹም ባህ ኣየብለንን፡
መስዋእቲ ሕሩድኩምውን ኣየብህገንን እዩ። 21 ስለዚ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሚ እዚ ህዝቢ እዚ እምኒ
መዓንቀፊ ኤንብር ኣሎኹ፡ ኣብኡ ኸኣ ኣቦታትን ውሉድን ኪዕንቀፉ፡ ጐረቤትን ዓርኩን ሐቢሮም
ኪጠፍኡ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 22 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ህዝቢ ኻብ ሃገር
ሰሜን ይመጽእ፡ ካብ ወሰን ምድሪ ድማ ዓብዪ ህዝቢ ይነቅል ኣሎ። 23 ቀስትን ኲናትን ይሕዙ፡
ጨካናት፡ ምሕረት ዜብሎም እዮም። ድምጾም ከም ህማም ባሕሪ እዩ። ኣቲ ጓል ጽዮን፡ ኣፍርስ ሰሪሮም
ይስለፉ፡ ከም ጅግና ኸኣ ኪዋግኡኺ ተዳልዮም ኣለው። 24 ወሪኦም ሰማዕና፡ ኣእዳውና ድማ
ዘርጋሕጋሕጋሕ በለ። ከምቲ ቕልውላው ንወላዲት ዚሕዛ፡ ጸበባ ሐዘና። 25 ሰይፊ ጸላኢ ኣብኡ፡ ፍርሃት

ከአ ኣብ ኵሉ ወገን ኣሎ እሞ፡ ኣብ ግዳም ኣይትውጽኡ፡ ኣብ መገድታት ኣይትኺዱ። [26] ኣቲ ጓል
ህዝበይ፡ መጥፍኢ ብድንገት ኪመጸና እዩ እሞ፡ ከሊ ተኸደኒ፡ ኣብ ሓመኹስቲ ኣንፈፍዊ፡ ከም ንሓደ
ዝወዳ ጌርኪ ሕዘኒ፡ መሪር ብኽያት ብኸዪ። [27] መገዶም ምእንቲ ኽትፈልጥን ክትምርምርን፡ ኣብ
ማእከል ህዝበይ ግምብን እምባን ገይረ ኣቘምኩኺ። [28] ኲላቶም ዕለውትን ከድዓትን እዮም፡ ሕሜት
እናዘርኡ ይኸዱ። ነሃስን ሓጺንን እዮም፡ ኲላቶም ብልሽዋት እዮም። [29] መናፍሕ ፉፍ ይብል፡ እቲ ዓረር
ብሓዊ ፈሊሑ ይውዳእ። እቲ ኽፉእ ምፍላይ ስለ ዝኣበየ፡ ድሌት እቲ ምኹላዕ ከንቱ ኾይኑ ተረፈ። [30]
እግዚኣብሄር ወጊድዎም እዩ እሞ፡ ውጉድ ብሩር ይበሀሉ።

# ምዕራፍ 7

[1] እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል ከምዚ ይብል፡ [2] ኣብ ደገ ቤት ደው በል እሞ ኣብኡ
ኺንካ እዚ ቓል እዚ ስበኽ በልውን፡ ኣቱም ንእግዚኣብሄር ክትሰግዱ በዘን ደጌታት እዚኣተን እትኣትው
ሰብ ይሁዳ ኹላትኩም፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ። [3] እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ መገድኹምን ግብርኹምን ኣጸብቑ፡ ኣነ ኸኣ ኣብዚ ስፍራ እዚ ኸንብረኩም እየ። [4]
መቕደስ እግዚኣብሄር፡ መቕደስ እግዚኣብሄር፡ መቕደስ እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ ኢልኩም ኣብ ቃላት
ሓሶት ኣይትወከሉ። [5] መገድኹምን ግብርኹምን ብሓቂ እንተ ፈረድኩም፡ [6] ንጓናን ዘኽታምን መበለትን
እንተ ዘየጨንቕኩም፡ ኣብዚ ስፍራ እዚ ንጹህ ደም እንተ ዘየፍሰስኩም፡ ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኸኣ
ንጒድኣትኩም እንተ ዘይሰዐብኩምሲ፡ [7] ሽዑ ኣነ ኣብዛ ነቦታትኩም ንዘለኣለም ኣለም ዝሀብክዋ ምድሪ፡
ኣብዛ ስፍራ እዚኣ ኸንብረኩም እየ። [8] እንሆ፡ ንስኻትኩም ኣብ ዘይጠቅም ቃላት ሓሶት ትውከሉ
ኣሎኹም። [9] ኣየ፡ ንስኻትኩም ትሰርቁ፡ ትቐትሉ፡ ትዝምው፡ ብሓሶት ትምሕሉ፡ ንበዓል ትዐጥኑ፡
ንዘይትፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲውን ትስዕቡ፡ [10] ናብዚ መጺእኩም ከኣ፡ ኣብዛ ብስመይ እተሰምየት
ቤት ኣብ ቅድመይ ቈምኩም፡ ኲሉ እዚ ፍንፉን ግብሪ እዚ ምእንቲ ኽትገብሩ፡ ድሑናት ኢና፡ ትብሉ
ኣሎኹም። [11] እዛ ብስመይ እተሰምየት ቤትዶ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም በዓቲ ጐሓሉት ኰነት እንሆ፡ ኣነ
ባዕለይ ርኤየዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [12] እምበኣርሲ ናብታ ቐድም ስመይ ዘሕደርኩላ ስፍራ፡ ናብ
ሲሎ፡ ኪዱ እሞ ብሰሪ እከይ ህዝበይ እስራኤል ከመይ ከም ዝገበርክዋ ጠምቱ። [13] እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ሕጂ ኸኣ እዚ ኹሉ ግብርታት እዚ ጌርኩምስ፡ ኣንጊሄ ተንሲኡ ነጊርኩም፡ ተዛሪብኩም
ኣይሰማዕኩምን፡ እናጸዋዕኩኹም ድማ ኣይመለስኩምን ኢኹም እሞ፡ [14] ስለዚ ኸኣ ነዛ ብስመይ
እተሰምየት፡ ንስኻትኩምውን እትውከልዋ ዘሎኹም ቤት፡ ንኣኻትኩምን ነቦታትኩምን ዝሀብክዋ ስፍራ፡
ከምቲ ኣብ ሲሎ ዝገበርክዎ ኽገብራ እየ፡ [15] ከምቲ ንዅሎም ኣሕዋትኩም፡ ንዅሎም ዘርኢ ኤፍሬም፡
ዝደርበኽዎም፡ ካብ ቅድመይ ክድርብየኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [16] እምበኣርሲ ኣይክሰምዓካን እየ
እሞ፡ ምእንቲ እዚ ህዝቢ እዚ ኣይትለምን፡ ኣይትማህለል፡ ኣይትጸሊ፡ ላሕውን ኣይተብለኒ። [17] ኣብ
ከተማታት ይሁዳን ኣብ ኣደባባያት የሩሳሌምን ዚገብርዎ ዘለውዶ ኣይትርእን ኢኻ [18] ንኣይ ምእንቲ
ኼጒህዩስ፡ ደቂ ኣዕጭው ይእክቡ፡ ኣቦታት ሓዊ ይኣጒዱ፡ ኣንስቲ ኸኣ ንንግስቲ ሰማይ ዚኸውን ቅጫ
ኺስንክታ ብሑቑ የቘምጥዓ፡ መስዋእቲ መስተውን ንኻልኦት ኣማልኽቲ ይውፍያ። [19] ንኣይዶ እዮም
ዜጒህዩ ዘለው ንውርደት ርእሶምዶ ግዳ ኣይኰኑን ዚብድሉ ዘለው ይብል እግዚኣብሄር። [20] ስለዚ ኸኣ፡
እንሆ፡ ቍጥዓይን ነድረይን ኣብዛ ስፍራ እዚኣ ኣብ ሰብን እንስሳን ኣብ ኣእዋም መሮርን ኣብ ፍረ
ምድርን ክኹዑ እየ፡ ኪነድድ ኣይኪጠፍእን ድማ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [21] እግዚኣብሄር፡

ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቲ ዚሐርር መስዋእትኹም ኣብቲ መስዋእቲ
ሕሩድኩም ወስኹ እሞ እቲ ስጋ ብልዑ። 22 በታ ነቦታትኩም ካብ ግብጺ ኸውጽኦም ከሎኹ፡ ብናይ
ዚሐርር መስዋእትን ብመስዋእቲ ሕሩድን ኣይተዛረብክዎምን ኣይኣዘዝክዎምን ድማ። 23 ዝኣዘዝክዎምሲ
እዚ ደኣ እዩ፡ ድምጸይ ስምዑ፡ ኣነ ኸኣ ኣምላኽኩም ክኸውን እየ፡ ንስኻትኩም ድማ ህዝበይ ክትኰኑ
ኢኹም። ጽቡቕ ምእንቲ ኽትረኽቡውን፡ በቲ ኣነ ዝእዝዘኩም ዘበለ ኹሉ መገድታት ተመላለሱ። 24
ግናኸ ብምኽሪ ርእሶምን በቲ ኽፉእ ህልኽ ልቦምን ደኣ ኸዱ፡ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ምድፋእ ድማ
ንድሕሪት ኣቢሎም ተመልሱ እምበር፡ ንኣይስ ኣይሰምዑንን፡ ኣእዛኖም ድማ ናባይ ጽን ኣይበላን። 25
ካብታ ኣቦታትኩም ካብ ምድሪ ግብጺ ዝወሉላ መዓልቲ ኽሳዕ ሎሚ ኹላቶም ግዙኣተይ ነብያት
ለኣኽኩልኩም፡ ኣብ ጸጽባሕ ኣንጊሄ ለኣኽኩልኩም። 26 ግናኸ ክሳዶም ደኣ ኣትረሩ እምበር፡ ንኣይስ
ኣይሰምዑንን፡ ኣእዛኖም ከኣ ኣባይ ጽን ኣይበላን፡ ካብቲ ናይ ኣቦታቶም ዚገድድ ድማ ገበሩ። 27 እዚ
ኹሉ እኳ እንተ ነገርካዮም፡ ኣይኪሰምዑኻን እዮም፡ እንተ ጸዋዕካዮምውን ፡ ኣይኪመልሱልካን እዮም፡
28 እምበኣርስኸ፡ እቲ ንድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ዘይሰምዕ፡ ተግሳጽ ከኣ ዘይቕበል ህዝቢ እዚ እዩ።
ሓቂ ጠፍኤ፡ ካብ ኣፎምውን ኣቋረጸ፡ ክትብሎም ኢኻ። 29 እግዚኣብሄር ነቲ ዘቈጥዖ ወለዶ ደርብይዎን
ወጊድውን እዩ እሞ፡ ጸጕሪ ርእስኺ ቈሪጽኪ ደርብዩ፡ ኣብ በረኽቲ ደዩብኪ ድማ ዋይዋይ በሊ። 30 ደቂ
ይሁዳ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ክፉእ ገበሩ፡ ነታ ብስመይ እተሰምየት ቤት ምእንቲ ኺርክስዋ፡ ጽያፎም
ኣብኣ ኣቐመጡ፡ 31 ኣነ ከቶ ዘይኣዘዝክዎን ዘይሐሰብክዎንሲ፡ ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ኣብ ሓዊ ምእንቲ
ኼንድዱ፡ በረኽቲ ቶፈት ኣብ ለሰ ወዲ ሂኖም ሰርሑ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 32 ስለዚ ኸኣ እንሆ፡
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ለሰ ምሕራድ እምበር፡ ቶፈት ወይስ ለሰ ወዲ ሂኖም ኢሉ ዘይስመየላን
መዓልትታት ኪመጻ እየን። ሽዑ ኻልእ ስፍራ ስለ እተሳእነ ድማ፡ ኣብ ቶፈት ኪቕብሩ እዮም። 33
ሬሳታት እዚ ህዝቢ እዚ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት መሮርን ብልዒ ኪኸውን እዩ፡ እያዕ ዚብሎም ድማ
የልቦን። 34 እታ ሃገር እቲኣ ክትባድም እያ እሞ፡ ካብ ከተማታት ይሁዳን ካብ ኣደባባያት የሩሳሌምን
ድምጺ እልልታን ድምጺ ሓጐስን ድምጺ መርዓውን ድምጺ መርዓትን ከጥፍእ እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 8

1 በቲ ዘመን እቲ ዓጽጽምቲ ነገስታት ይሁዳን ዓጽጽምቲ መሳፍንቱን ዓጽጽምቲ ኻህናትን ዓጽጽምቲ
ነብያትን ዓጽጽምቲ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ካብ መቓብሮም ኬውጽእዎ እዮም፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 2 ኣብ ቅድሚ እቶም ዝፈተውዎምን ዘገልገልዎምን ዝሰዐብዎምን ዝደለይዎምን
ዝሰገዱሎምን ጸሓይን ወርሕን ኵሎም ሰራዊት ሰማይን ኪሰጥሕዎ እዮም። ኣብ ርእሲ ምድሪ ድኹዒ
ኪኸውን እዩ እምበር፡ ዚእክቦ ወይስ ዚቕብሮ የልቦን። 3 ኵሎም እቶም ተረፍ ናይ እዚ ኽፉእ ወለዶ
እዚ፡ ኣብቲ ኣነ ዝሰጐጕክዎም ኵሉ ዝተረፈ፡ ካብ ህይወት ሞት ኪሐርዩ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት። 4 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ድማ ንገሮም፡ ዝወደቐስ ኣይትንስእንዶ እዩ
መገዲ እተጋገየኸ ኣይምለስንዶ እዩ 5 ስለምንታይ ደኣ እዚ ህዝቢ የሩሳሌም ብናይ ሓዋሩ ጥልመት
ዚጠልም ኣብ ተንኰል ይጸንዑ ምምላስውን ይኣብዩ። 6 ጽን ኢለ ሰማዕኩ፡ ቅንዕና ኣይዛረቡን፡ ካብ
ክፍኣቱ ዚጠዐስ፡ እንታይ እየ ዝገበርክዎ ኸኣ ዚብል የልቦን፡ ከምቲ ናብ ኵናት ዚፋንን ፈረስ ነፍሲ
ወከፍ ይጐዪ ኣሎ። 7 ራዛ ኣብ ሰማይ ወርሓቱ ይፈልጥ፡ ኳትራን ለኺኹቶን ዓያን ዚመጻሉ ግዝያት

የስተብህላ እየን፡ ህዝበይ ግና ፍትሒ እግዚኣብሄር ኣይፈልጥን እዩ። 8 ከመይ ኢልኩም ደኣ ኢኹም፡
ንሕና ለባማት ኢና፡ ሕጊ እግዚኣብሄር ድማ ምሳና ኣሎ፡ እትብሉ ዘሎኹም ግናኸ እንሆ፡ ናይ ጸሓፍቲ
ብርዒ ሓሶትሲ ናብ ሓሶት ገልቢጥዋ እዩ። 9 እቶም ጥበበኛታት እዚኣቶም ኪሓፍሩን ኪስምብዱን
ኪተሓዙን እዮም። እንሆ፡ ንቓል እግዚኣብሄር ወጊዶምሲ፡ ከመይ ዝበለ ጥበብ ደኣ ኰን ኣለዎም እዩ 10
ካብ ንእሽቶኦም ክሳዕ ዓብዪኦም ኵላቶም ህሩፋት ረብሓ እዮም፡ ካብ ነብዪ ኽሳዕ ካህን ኵላቶም ሓሶት
የዘውትሩ ኣለው እሞ፡ ኣንስቶም ንኻልኦት ክህበን፡ ግራሁኦም ድማ ንዜጥርዩዎ ኽህቦ እየ። 11 ሰላም
ዜልቦስ፡ ሰላም፡ ሰላም እናበሉ፡ ነቲ መስበርቲ ጓል ህዝበይ ብሸለልታ ይፍውስዎ ኣለው። 12 ጽያፍ ስለ
ዝገበሩ ኺሓፍሩዶ እዮም ምንም ኣይሓፍሩን፡ ሓፍረት እንታይ ምዃኑ እኳ ኣይፈልጡን። ስለዚ
ምስቶም ዚወድቁ ኺወድቁ፡ ብጊዜ ቕጽዓቶም ድማ ጸሕ ኪብሉ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 13 ኣነ
ርግጽ ከጽንቶም እየ፡ ኣብ ሓረግ ወይኒ ዘቢብ ኣይርከብን፡ ኣብ ኦም በለስ ከኣ በለስ የልቦን፡ እቲ ቈጽሊ
እኳ ይሓርር፡ ነቶም ብእኡ ዚሓልፉ ኽህቦም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 14 ንእግዚኣብሄር ስለ ዝበደልና፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣጥፊኡና፡ ማይ ስሚ ድማ ኣስትዩና እዩ እሞ፡ ስለምንታይ ስቕ ኢልና ንቕመጥ
ተኣከቡ፡ ናብተን ጽኑዓት ከተማታት ንእቶ፡ ኣብኤን ከኣ ንጥፋእ። 15 ሰላም ተጸቤና፡ ግናኸ ጽቡቕ
ኣይመጸን። እንሕውየሉ ጊዜ ተጸቤና፡ እንሆ ኸኣ፡ ስምባድ ኰነ፡ 16 ናይ ኣፍራሱ ኹርፍ ምባል ካብ ዳን
ይስማዕ፡ ብደሃይ ምሕምሓም ጅግኑላታቱ ድማ ኩላ እታ ሃገር ትርዕድ። መጹ፡ ነታ ሃገርን ኣብኣ ዘሎ
ኹሉን ነታ ኸተማን ኣብኣ ንዚነብሩን ከኣ በልዕዎም። 17 እንሆ፡ ዓዛሚ ኺዕዝሞም ዘይከኣሎ ኣትማንን
ገባብልን ክሰደልኩም እየ፡ ንሳቶም ከኣ ኪነኽሱኹም እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 18 ኣብ ሐዘነይሲ
ምጽንናዕ ኣበይ ክረክብ እየ ልበይ ኣብ ውሽጠይ ሰለውለው ይብለኒ ኣሎ። 19 እንሆ፡ እግዚኣብሄርዶ ኣብ
ጽዮን የሎን ንጉሳዶ ኣብኣ የሎን እዩ ዚብል ኣውያት ጓል ህዝበይ ካብ ርሑቕ ሃገር ይስማዕ ኣሎ።
ስለምንታይ ደኣ ብቕሩጽ ምስልታቶምን ብጓኖት ጣኣታቶምን ዜቘጥዑኒ 20 ቀውዒ ሐለፈ፡ ሓጋይ
ተወድኤ፡ ንሕና ኸኣ ኣይደሐንናን። 21 ጓል ህዝበይ ስለ እተሰብረት፡ ተሰበርኩ፡ ጸለምኩ ሰካሕኩውን። 22
ዚልከ ፈውሲዶ ኣብ ጊልኣድ የልቦን ፈዋሲዶኸ ኣብኡ የልቦን እዩ ስለምንታይ ደኣ ቕስሊ ጓል ህዝበይ
ተሰፊፉ ዘይሓዊ

## ምዕራፍ 9

1 ነቶም ተወጊኦም ዝሞቱ ደቂ ጓል ህዝበይ ለይትን መዓልትን ክበክስ፡ ርእሰይ ዔላ ማይ፡ ኣዒንተይ
ድማ ፈልፋሊ ንብዓት ኰይኑ እንተ ዚኸውን መን ምሀበኒ። 2 ወዮ፡ ኵላቶም ዘመውትን ኣኼባ
ጥልመትን ኰይኖም እዮም እሞ፡ ኣብ በረኻ ማሕደር መንገደኛታት እንተ ትህልውንስ፡ ህዝበይ
ምሐደግኩ፡ ካብኦምውን ምረሐቕኩ ነይረ። 3 ካብ እከይ ናብ እከይ ይሓልፉ፡ ንኣይ ከኣ ኣይፈልጡንን
እዮም እሞ፡ ንልሳኖም ከም ቀስቶም ገይሮም ሓሶት ይግትሩ ኣለው፡ ንሓቂ ደኣ ኣይኰነን እምበር፡ ኣብታ
ሃገርሲ ሓያላት እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 4 ነፍሲ ወከፍ ሓው ይጥብር፡ ነፍሲ ወከፍ ብጻይ ድማ
እናሐመየ ይኸይድ ኣሎ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ካብ ብጻዩ ይጠንቀቕ፡ ኣብ ሓዉውን ኣይተኣመን። 5 እቲ ሓደ
ነቲ ሓደ የዕሽዎ፡ ሓቂ ኸኣ ኣይዛረቡን፡ ልሳውንቶም ሓሶት ንምዝራብ የልምዱ፡ እከይ ንምግባርውን
ይደኽሙ። 6 እትነብረሉ ዘሎኻ ማእከል ጥበራ እዩ፡ ብሰሪ ምጥባር ድማ ምፍላጠይ ኣበዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 7 ስለዚ፡ እንሆ፡ ክኹልዖምን ክምርምሮምን እየ፡ ብናይ ጓል ህዝበይሲ እንታይ ካልእ ደኣ
ኽገብር እየ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 8 ልሳኖም ዚቐትል ፍላጻ እዩ፡ ጥበራ ይዛረቡ። ነፍሲ

ወከፍ ንብጻዩ ብኣፉ ሰላም ይዛረቦ፡ ብልቡ ግና ይቃጸዎ። 9 በዚ ነገር እዚዶ ኣይከቕጽዖምን እየ፡ ነዚ
ኸምዚ ዘመሰለ ህዝብስ ነፍሰይዶ ሕነ ኣይክትፈድዮን እያ ይብል እግዚኣብሄር። 10 ንኣኽራን እበኽየሉን
እድጒዓሉን፡ ነቲ መውፈር በረኻውን፡ ብሓዊ ነዲዱ ዚሐልፈሉ የልቦን እሞ፡ እቕኒዝመሉ ኣሎኹ።
ኣብኡ ንቕዋ ኸብቲ ኣይስማዕን፡ ኣዕዋፍ ሰማይ ኰነ ኻልኦት እንስሳውን ሀዲሞም ተጸርገፉ። 11
ንየሩሳሌም መኾመር እምንን ሰፈር ወኻሩን ክገብራ፡ ከተማታት ይሁዳ ኸኣ ሓደ እኳ ዘይነብረን
ዑናታት ክገብረን እየ። 12 እቲ ነዚ ዜስተውዕሎ ጥበበኛ መን እዩ ነዚ ኺገልጾኸ ኣፍ እግዚኣብሄር ንመን
ተዛረቦ እታ ሃገር፡ ሓደ እኳ ዚሐልፋ ዜብላ ኾይና፡ ከም ምድረ በዳ ነዲዳ ዝጠፍኤትሲ ስለምንታይ
እዩ 13 እግዚኣብሄር ከኣ ይብል፡ ነቲ ኣብ ቅድሚኦም ዘንበርክዎ ሕገይ ሐደጉ፡ ድምጻይ ከኣ ኣይሰምዑን
ብእኡውን ኣይተመላለሱን፡ 14 ግናኸ ብትሪ ልቦም ከምቲ ኣቦታቶም ዘስተምሀርዎም ደድሕሪ በዓል ሰዐቡ
እሞ፡ 15 ስለዚ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣነ ነዚ
ህዝቢ እዚ መሪር ከብልዖ፡ ማይ ስሚ ኸኣ ከስትዮ እየ፡ 16 ኣብ ማእከል እቶም ንሳቶምን ኣቦታቶምን
ዘይፈልጥዎም ህዝብታት ፋሕ ከብሎም፡ ክሳዕ ዝውድኦም ድማ ደድሕሪኦም ሰይፊ ኽሰደሎም እየ። 17
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣስተብሂልኩም በኽይቲ ኣንስቲ ኺመጻ ጸውዑ፡ እተን
ለባማት ኪመጻ ድማ ልኣኹለን። 18-19 ሃገር ስለ ዝሐደግና፡ ኣባይትና ኸኣ ስለ ዘፍረስዎ፡ ሓፍረት ለበስና፡
ኣታ ኽንደይ ጠፊእና ኢና፡ ዚብል ድምጺ ቕኒዝማ ኻብ ጽዮን ይስማዕ ኣሎ እሞ፡ ኣዒንትና ንብዓት
ኪቕዝር፡ ኰበሮ ዓይንናውን ማይ ኬውሕዝ፡ ቀልጢፈን ይቘዝማልና። 20-21 ንቘልዑ ኻብ ቅርዓት፡
ነጒባዝ ድማ ካብ ኣደባባይ ምእንቲ ኼብርስ፡ ሞት ብመሳኹትና ደዩቡ ናብ ኣዳራሻትና ኣትዩ እዩ እሞ፡
ኣትን ኣንስቲ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዓ፡ ኣእዛንክን ድማ ቃል ኣፉ ይቀበል። ነዋልድኽን ቍዝማ
ኣልምዳ፡ ንሓድሕድኽን ከኣ ድጒዓ ተማሃህራ። 22 እግዚኣብሄርሲ፡ ሬሳታት እቶም ሰብ፡ ከምቲ ደድሕሪ
ዓጻዲ ዚእከቦ ዜብሉ እንዳእቲ፡ ከም ድኹዒ ኣብ ግራት ኪወድቁ እዮም፡ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ንገሮም።
23 ጥበበኛ ብጥበቡ ኣይተሐበን፡ ሓያል ከኣ ብሓይሉ ኣይተሐበን፡ ሃብታምውን ብሃብቱ ኣይተሐበን፡
ይብል እግዚኣብሄር። 24 ዚሕበንሲ እዚ እዩ ባህ ዜብለኒ እሞ፡ ኣነ ኣብ ምድሪ ምሕረትን ፍርድን
ጽድቅን ዝገብር እግዚኣብሄር ምዃነይ ብምስትውዓሉን ብምፍላጡን ደኣ ይተሐበን፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 25-26 ኲላቶም ኣህዛብ ኣይተገዝሩን፡ ብዘላ ቤት እስራኤል ከኣ ልባ ኣይተገዝረን እዩ እሞ፡
እንሆ፡ ንኹሎም እቶም ዘይተገዝሩ ግዙራት፡ ንግብጽን ንይሁዳን ንኤዶምን ንደቂ ዓሞንን ንሞኣብን
ነቶም ጽጒሮም ወሰነወሰን ዚላጸዩ ኣብ ምድረ በዳ ዚነብሩ ኹላቶምን ዝቕጽዓለን መዓልትታት ይመጻ
ኣለዋ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 10

1 ኣቱም ቤት እስራኤል፡ እዚ ንኣኻትኩም እግዚኣብሄር ዚዛረቦ ዘሎ ቓል ስምዑ። 2 እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ብመገዲ ኣህዛብ ምኻድ ኣይትልመዱ። ብትእምርትታት ሰማይውን፡ ኣህዛብ ይፈርህዎም
እዮም ኢልኩም፡ ኣይትፍርሁ። 3 ባህሊ ኣህዛብ ከንቱነት እዩ እሞ፡ ኦም ካብ ዱር ይቘርጹ፡ ኢድ ጸራቢ
ኸኣ ብምሳር ይጸርቦ። 4 ብብሩርን ብወርቅን ይልብጥዎ፡ ሰንከልከል ከይብል ድማ ብሸንካርን ብሞደሻን
የጋጥምዎ። 5 ከም ኦም ስየ ትኽ ዝበሉን ዘይዛረቡን እዮም። ኪኸዱ ኣይኽእሉን እዮም እሞ፡ ሰብ እዩ
ዚጾሮም። ጽቡቕ ዚገብርዎ የብሎምን፡ ክፉእ ድማ ኪገብሩ ኣይከኣሎምን እዩ እሞ፡ ኣይትፍርህዎም። 6
ዎ እግዚኣብሄር፡ ከማኻ ሓደ እኳ የልቦን፡ ንስኻ ዓብዩ ኢኻ፡ ስምካ ድማ ብስልጣን ዓብዩ እዩ። 7 ኣታ

ንጉስ ህዝብታት፡ ካብ ኩላቶም ጠቢባን ህዝብታትን ካብ ኩሎም መንግስትታቶምን ሓደ እኳ ኸማኻ
የልቦን እሞ፡ ይግብኣካ ስለ ዝኾነ፡ መን እዩ ዘይፈርሃካ [8] ኩላቶም ዕኑዳትን ዓያሱን እዮም፡ ትምህርቲ
ኸንቱነትሲ ዕጨይቲ እዩ። [9] ብስራሕ ኣንጠረኛን ብኢድ ብልሓተኛን እተገብረ ገላዕታ ብሩር ካብ
ተርሲስ፡ ወርቂ ኸኣ ካብ ኡፉዝ ዘምጽእዎ እዩ። ክዳውንቶም ሰማያውን ጁኸን እዩ፡ ኩላቶም ግብሪ
ብልሓተኛታት ሰብ እዮም። [10] ግናኸ እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ ሓቂ፡ ህያው ኣምላኽ፡ ዘለኣለማዊ ንጉስ
እዩ። ብቑጥዓኡ ምድሪ ተንቀጥቅጥ፡ ንኹራኡ ኸኣ ህዝብታት ኣይጽመምዎን። [11] እዞም ሰማይን
ምድርን ዘይፈጠሩ ኣማልኽቲ ኻብ ምድርን ካብ ትሕቲ ሰማይን ኪጠፍኡ እዮም፡ ክትብልዎም
ኢኹም። [12] ንሱ ብሓይሉ ምድሪ ፈጠረ፡ ብጥበቡ ኸኣ ንዓለም ኣቔማ፡ ብኣእምሮኡ ድማ ንሰማያት
ዘርግሔ። [13] ድምጹ ምስ ዜስምዕ፡ ማያት ኣብ ሰማይ ይሕንዝዝ፡ ንግመ ኻብ ወሰን ምድሪ የልዕሎ፡
መባርቕ ከኣ ንዝናም ይገብሮ፡ ንንፋስውን ካብ መዛግቡ የውጽኦ። [14] ነፍሲ ወከፍ ኣእምሮኡ ጠፊእዎ
ይዕነድ። እቲ ዝፈሰሰ ምስሉ ሓሶት እዩ፡ ትንፋስ ከኣ የብሉን እሞ፡ ኣንጠረኛ ዘበለ በቲ ዝገበሮ ምስሊ
ይሐንኽ። [15] ከንቱነት፡ ናይ ምጥባር ዕዮ እዮም፡ ብጊዜ ቕጽዓቶም ኪጠፍኡ እዮም። [16] ግደ ያእቆብሲ
ኸምዚኣቶም ኣይኰነን። ንኹሉ ዝደኰነ ንሱ እዩ፡ እስራኤል ድማ ነገድ ርስቱ እዩ፡ ስሙ ኸኣ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ። [17-18] እግዚኣብሄር፡ እንሆ፡ ነዞም ኣብዛ ሃገር እዚኣ ዚነብሩ ዘለው በዚ
ግዜ እዚ ናብ ርሑቕ ክውንጭፎም፡ ክሳዕ ዚፍለጦምውን ከጽብበሎም እየ፡ ይብል ኣሎ፡ ኣቲ ተኸቢብኪ
ዘሎኺ፡ ኣቓሑኺ ኣርኒብኪ ኻብ ሃገር ኣውጽኢ። [19] ተወቒዔ እየ እሞ ወይለይ፡ ቊስለይ የቕንዝወኒ
ኣሎ። ኣነ ግና፡ እዝስ ስቓየይ እዩ እሞ እጽመሞ እየ፡ በልኩ። [20] ድንኳነይ ተበላሸወ፡ ኩሉ መገታተሪየይ
ተበታተኸ። ደቀይ ካባይ ወጹ፡ የለውን ከኣ። ሓደ እኳ ድንኳነይ ዚተክል፡ መጋረጃይ ከኣ ዚሰቅል
የልቦን። [21] ጓሶት ተዐንዱ፡ ንእግዚኣብሄር ድማ ኣይደለይዎን። ስለዚ ኣይሰለጦምን፡ ኩለን መጓሴታቶም
ከኣ ፋሕ በላ። [22] እንሆ፡ ንኸተማታት ይሁዳስ ዑናን መሳፍሮ ወኻሩን ምእንቲ ኺገብረን ኢሉ ድምጽን
ብርቱዕ ህማምን ካብ ሃገር ሰሜን ይመጽእ ኣሎ። [23] ጐይታየ፡ መገዲ ሰብ ካብ ርእሱ ኸም ዘይኰነ፡ እቲ
ዚመላለስውን ስጓሜኡ ኬቕንዕ ዓቕሚ ኸም ዜብሉ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። [24] ጐይታየ፡ ቅጽዓኒ፡ ግናኸ
ብልክዕ ደኣ። ምእንቲ ኸይተጥፍኣንስ ብቑጥዓኻ ኣይኰነን። [25] ንያእቆብ በሊዖምዎ፡ ወሒጦምዎ፡
ወዲኦምዎ፡ ማሕደሪኡውን ኣዕንዮምዋ እዮም እሞ፡ ቊጥዓኻ ናብቶም ዘይፈልጡኻ ኣህዛብን ናብቶም
ስምካ ዘይጽውዑ ዓሌትን ደኣ ኽዐዎ።

## ምዕራፍ 11

[1] ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቃል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ [2] ንቓላት እዚ ኺዳን እዚ ስምዑ፡
ንሰብ ይሁዳን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ድማ ተዛረቡ። [3-5] እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ኢልካ በሎም፡ ከምቲ ሎሚ ኹይንዎ ዘሎ፡ ነታ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ሃገር ክህበኩም
እየ፡ ኢለ ነቦታትኩም ዝመሐልክዎ ማሕላ ምእንቲ ኸጽንዕ፡ ነቲ በታ ነቦታትኩም ካብ ሃገር ግብጺ፡ ካብ
እቶን ሓጎጺ ዘውጻእኩላ መዓልቲ፡ ድምጸይ ስምዑ፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኸኣ ግበሩ፡ ሽዑ ንስኻትኩም
ህዝበይ ክትኰኑ፡ ኣነውን ኣምላኽኩም ክኸውን እየ፡ ኢሉ ዝኣዘዝክዎም ቃል ኪዳን ዘይሰምዕ ሰብ
ርጉም ይኹን። ኣነ ድማ፡ ኣሜን ጐይታይ፡ ኢለ መለስኩ። [6] እግዚኣብሄር ከኣ፡ ነዚ ኹሉ ቓላት እዚ ኣብ
ከተማታት ይሁዳን ኣብ ኣደባባይት የሩሳሌምን ከምዚ ኢልካ ኣውጅ፡ በለኒ፡ ንቓላት እዚ ኺዳን እዚ
ስምዕዎ ግበርዎ ድማ። [7] ካብታ ኻብ ሃገር ግብጺ ዘውጻእክዎም መዓልቲ ኽሳዕ ሎሚ ነቦታትኩም

ኣሰማዕኩሎም፡ ንድምጸይ ስምዑ፡ ኢለ ኣንጊሄ ኣስማዕኩሎም። [8] ንሳቶም ግና ነፍሲ ወከፎም ብትሪ
እኩይ ልቦም ተመላለሱ እምበር፡ ኣይሰምዑን፡ እዝኖም ኣይጸለውን። ስለዚ ኸኣ ነቲ ኺገብርዎ
ዝኣዘዝክዎም፡ ንሳቶምውን ዘይገበርዎ ኹሉ ቓላት እዚ ኺዳን እዚ ኣብ ርእሶም ኣውረድክዎ። [9]
እግዚኣብሄር ድማ በለኒ፡ ሰብ ይሁዳን እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ተማሓሒሎም ኣለው። [10]
ንሳቶም ናብቲ ኣበሳ ናይቶም ንቓለይ ምስማዕ ዝኣበዩ ቐዳሞት ኣቦታቶም ተመልሱ። ምእንቲ
ኺገልግልዎም ድማ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ሰዐቡ። ቤት እስራኤልን ቤት ይሁዳን ነቲ ምስ ኣቦታቶም
ዝኣቶኽዎ ኺዳነይ ኣፍረሱ። [11] ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ዘየምልጡሉ መዓት
ከውርደሎም እየ፡ ናባይ ኪጠርዑ እዮም፡ ኣነ ግና ኣይክሰምዖምን እየ። [12-13] ኣታ ይሁዳ፡ ክንዲ እቲ
ብዝሒ ኸተማታትካ ኽንድኡ ኸኣ እዩ ብዝሒ ኣማልኽትኻ። ክንዲ እቲ መገድታት የሩሳሌም ክንድኡ
ድማ ንነውሪ መሰውኢታት ሰሪሕካ፡ ንበዓል እትዕጥነሉ መሰውኢ እኳ ደኣ ሰሪሕካ ኢኻ እሞ፡
ከተማታት ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ናብቶም ዕጣን ዚዕጥኑሎም ኣማልኽቲ ኺጠርዑ ኢሎም
ኪኸዱ እዮም፡ ግናከ ብጊዜ ጸበባኦምሲ ከቶ ኣይኬድሕንዎምን እዮም። [14] ብሰሪ ጸበባኦም ናባይ እንተ
ተማህለሉ፡ ኣይክሰምዖምን እየ እሞ፡ ንስኻስ ምእንቲ እዚ ህዝቢ እዚ ኣይትለምን፡ ምእንትኦም ከኣ
ኣይትትዓዶን ኣይትማህለልን። [15] ፈታውየይ ግብሪ እከይ እናገበረስ ኣብ ቤተይ እንታይ ኣለዎ መብጽዓን
እተቐደሰ ስጋንዶ እከይካ የርሕቐልካ እዩ ብምንታይ ደኣ ትሕጐስ ኣሎኻ [16-17] እግዚኣብሄር ብጽቡቕ ፍረ
እተሰለመት ልምዕቲ ኣውልዕ፡ ኢሉ ሰመየካ። እቲ ዝተኸለካ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ብሰሪ እቲ
ናይ ቤት እስራኤልን ናይ ቤት ይሁዳን ንበዓል እናዐጠኑ ዘቘጥዑኒ ንጒድኣቶም ዝገበርዎ እከይ፡ መዓት
ኪወርደካ መደበ እሞ፡ ብብርቱዕ ህማም ታዕታዕ ድማ ብሓዊ ኣንደዳ፡ ጨናፍራውን ሞኹ በለ። [18]
እግዚኣብሄር ኣፍለጠኒ እሞ፡ ፈለጥኩ፡ ሽዑ ተግባሮም ኣርኤኻኒ። [19] ኣነ ግና ከም ናብ ማሕረዲ
ዚወስድዎ ሓላል ገንሸል ነበርኩ። ንሳቶም፡ ስማ ኸይዝከር ነታ ኦም ምስ ፍሬኣ ነጥፍኣያ፡ ካብ ሃገር
ህያዋን ድማ ንመንቅሳ፡ ኢሎም ውዲት ከም ዝደበቑለይ ኣይፈለጥኩን። [20] ግናኸ፡ ኣታ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት፡ ቅኑዕ እትፈርድ፡ ልብን ኰላሊትን ከኣ እትምርምር፡ ነገረይ ኣባኻ ኤማሕጽን ኣሎኹ
እሞ፡ ምፍዳይ ሕነኻ ኣባታቶም ኣርእየኒ። [21] ስለዚ እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም፡ ብኢድና ኸይትመውት
ብስም እግዚኣብሄር ኣይትነበ፡ ኢሎም ነፍስኻ ዚደልዩ ዘለው ሰብ ኣናቶት ይዛረብ ኣሎ። [22] ስለዚ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል፡ እንሆ፡ ክቐስፎም እየ፡ ኣባጽሖም ብሰይፊ፡ ኣወዳቶምን
ኣዋልዶምን ከኣ ብጥሜት ኪሞቱ እዮም። [23] በታ ንኣታቶም ዝቐጽዓላ ዓመት ኣብ ሰብ ኣናቶት መዓት
ከውርድ እየ እሞ፡ ካባታቶም ሓደ እኳ ኣይኪተርፍን እዩ።

## ምዕራፍ 12

[1] ዎ ጐይታይ፡ እንተ ተማጐትኩኻ እኳ፡ ንስኻስ ጻድቕ ኢኻ፡ ምስናይ እዚውን ብዛዕባ ፍርዲ ኽዛረበካ
እደሊ ኣሎኹ፡ ስለምንታይ እዩ መገዲ ረሲኣን ዚሰልጥ ስለምንታይከ ኲሎም ጠለምትስ ዕድል
ዚኾነሎም [2] ተኸልካዮም እሞ ሱር ሰደዱ፡ ዐበዩ ፍረውን ፈረዩ። ንስኻ ኣብ ኣፎም ቀረባ ኢኻ፡ ካብ
ኰላሊቶም ግና ርሑቕ ኢኻ። [3] ንስኻ ግና፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ትፈልጠኒ፡ ትርእየኒ፡ ልበይ ከኣ ንኣኻ
ኸመይ ምዃኑ ትምርምር ኢኻ። ከም ኣባጊዕ ንማሕረዲ ጓትቶም፡ ንመዓልቲ ማሕረዲውን ፍለዮም። [4]
እታ ሃገር ክሳዕ መኣዝ ክትሐዝን ክሳዕ መኣዝከ ሳዕሪ ኲሉ መሮር ኪነቅጽ እዩ ንሳቶም፡ መወዳእታና
ኣይኪርእን እዩ፡ ስለ ዝበሉ፡ ብሰሪ እከይ እቶም ኣብኣ ዚነብሩስ እንስሳን ኣዕዋፍን ይጠፍኡ ኣለው። [5]

ምስ ኣጋር ተቓዳዲምካ ኻብ ዜድክሙኻ፡ ከመይ ኢልካ ደኣ ምስ ኣፍራስ ክትቃዳደም ኢኻ ኣብ ሃገር
ሰላም እንተ ተኣመንካ፡ ኣብ ትዕቢት ዮርዳኖስ ደኣኸ እንታይ ክትገብር ኢኻ 6 እንሆ፡ ኣሕዋትካን ቤት
ኣቦኻን እኳ ጠሊሞሙኻ እዮም። ኣፎም መሊኦም ድማ ደድሕሬኻ ይጭድሩ ኣለው። ብጥዑም ቃል
እንተ ተዛረቡኻውን፡ ኣይትእመኖም። 7 ቤተይ ሐደግኩ፡ ርስተይ ለቐቕኩ፡ ነቲ ነፍሰይ እተብህጎስ ኣብ
ኢድ ጸላእታ ወፈኹ። 8 ርስተይ ከምቲ ኣብ ዱር ዘሎ ኣንበሳ ኰነኒ፡ ጓዚሙለይ እዩ እሞ፡ ጸላእክዎ። 9
ርስተይዶ ዓንጥዓንጦራይ ሽላ ምኾነኒ ጋባት ኣብ ኵሉ ወገን ዙርያኡ ኣለዉ። ኪዱ ንኹሎም ኣራዊት
መሮር ኪበልዑ ኣኪብኩም ኣምጽእዎም። 10 ብዙሓት ጓሶት ንተኽሊ ወይነይ ኣባላሸውዋ፡ ንግደይ
ረገጽዋ፡ ነታ ጽብቕቲ ግደይውን ዝጸመወ ምድረ በዳ ገበርዋ፡ 11 ኣባደምዋ፡ ኵላ ባዲማስ ኣብ ቅድመይ
ትሐዝን ኣላ። ሓደ እኳ ኣብ ልቡ ዜስተዋድዮ ስለ እተሳእነ፡ እታ ሃገር ብዘላ ባደመት። 12 ኣብ ኵሉ
ኹርባታት ምድረ በዳ ወረርቲ ተፈነዉ፡ ሰይፊ እግዚኣብሄር ካብቲ ሓደ ወሰን እታ ሃገር ክሳዕ እቲ ሓደ
ወሰና ይጕምድ ኣሎ እሞ፡ ስጋ ንዝለበሰ ዅሉ ሰላም የልቦን። 13 ስርናይ ዘርኡ፡ እሾኹ ከኣ ዐጸዱ፡ ጻዐሩ
ጥቕሚውን ኣይረኸቡን። ብሰሪ እቲ ርሱን ቍጥዓ እግዚኣብሄር ብእትዋት ቀውዕኹም ክትሐንኩ
ኢኹም። 14 እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ነቲ ንህዝበይ እስራኤል ዘረስቴኽዎ ርስቲ ዚነኽኡ ዅሎም
ክፉኣት ጐረባብተይ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ካብ ሃገሮም ክምንቍሶም፡ ንቤት ይሁዳ ድማ ካብ
ማእከሎም ክምንቍሳ እየ። 15 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ምስ መንቈስክዎም ግና፡ ከም ብሓድሽ ክድንግጸሎም
እየ እሞ፡ ንነፍሲ ወከፍ ናብ ረርስቱ፡ ንነፍሲ ወከፍ ናብ ሀሃገሩ ኽመልሶ እየ። 16 ኪኸውን ከኣ እዩ፡
ከምቲ ንህዝበይ ብበዓል ኪምሕሉ ዝመሀርዎም፡ ከምኡ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ኢሎም ብስመይ
ኪምሕሉስ መገድታት ህዝበይ እንተ ተማህሩ፡ ኣብ ማእከል ህዝበይ ኪሀንጹ እዮም። 17 ግናኸ እንተ
ዘይሰምዑ፡ ነቲ ህዝቢ እቲ ኽምንቍሶ፡ ኣነ ኽምንቍሶን ከጽንቶን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 13

1 እግዚኣብሄር ከኣ፡ ኪድ እሞ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ ቅናት ገዚእካ፡ ኣብ ሕቘኻ ተዐጠቃ፡ ኣብ ማይ ግና
ኣይትእለካ፡ በለኒ። 2 ኣነ ኸኣ፡ ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ዝበሎ፡ ቅናት ተሻይጠ ሕቔይ ተዐጠቕኩላ። 3-4
ካልኣይ ሳዕ ድማ፡ ነታ ዝዐደግካያ እሞ ኣብ ሕቘኻ ዘላ ቕናት ሒዝካ ተንስእ፡ ናብ ኤፍራጥስ ኬድካ ኸኣ
ኣብኡ ኣብ ምንቃዕ ከውሒ ሕብኣያ፡ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ። 5 ኣነውን ከይደ ኸምቲ
እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኒ ኣብ ኤፍራጥስ ሐባእክዋ። 6 ድሕሪ ብዙሕ መዓልትታት ከኣ እግዚኣብሄር፡ ተንስእ
እሞ ኣብ ኤፍራጥስ ኬድካ ነታ ኣብኡ ኽትሐብኣ ዝኣዘዝኩኻ ቕናት ካብኡ ኣምጽኣያ፡ በለኒ። 7 ኣነውን
ናብ ኤፍራጥስ ከይደ ኻብታ መሕቢኢኣ ኹዒተ ነታ ቕናት ኣምጻእክዋ። እንሆውን፡ እታ ቕናት
ተበላሽያ። ንሓደ ግዛዕ እኳ ዘይትጠቅም ኰይና ጸንሔት። 8 ሽዑ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፡
9 ከምዚ ይብል እግዚኣብሄር፡ ከምኡ ገይረ ኸኣ ንትዕቢት ይሁዳን ነቲ ዓብዩ ትዕቢት የሩሳሌምን
ከጥፍኦ እየ፡ 10 እዚ ብትሪ ልቡ ዚመላለስ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ምእንቲ ኼገልግሎምን ኪሰግደሎምን
ዚስዕቦም፡ ንቓላተይ ዘይሰምዕ ሕሱም ህዝቢ ኽምዛ ንሓደ ግዛዕ እኳ ዘይትጠቅም ቅናት ዝኾነት
ኪኸውን እዩ። 11 ኣነስ ንኹሎም ቤት እስራኤልን ንኹሎም ቤት ይሁዳንሲ ህዝብን ስምን ሓበንን
ክብርን ኪኾኑኒ ኢለ፡ ከምቲ ቕናት ሰብኣይ ቀጥ ኢሉ ኣብ ሕቝኡ ዚጠብቕ፡ ከምኡ ኸኣ ቀጥ ኣቢለ
ኣባይ ኣጥበቕክዎም፡ ግናኸ ኣይሰምዑን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 12 እምበኣርሲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል፡ ኣሕርብቲ ዘበለ ወይኒ ኺምላእ እዩ፡ ይብል ኣሎ ኢልካ፡ እዚ ቓል እዚ ንገሮም። ንሳቶም

ከኣ፡ ኣሕርብቲዶ ወይኒ ኸም ዚምላእ ኣይንፈልጥን ኢና ይብሉኻ። 13 ሽዑ ንስኻ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ምለሰሎም፡ እንሆ፡ ንዅሎም ኣብዛ ሃገር እዚኣ ዚነብሩ፡ ነቶም ኣብ ዝፋን ዳዊት
ዚቕመጡ ዘለው ነገስታትን ንኻህናትን ንነብያት ንዅላቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ብስኽራን
ክመልኦም እየ። 14 ነቦታትን ንውሉድን ኣሕቢረ ነቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ኽራጽሞም እየ። ከጥፍኦም እየ
እምበር፡ ንሓደ እኳ ኣይክድንግጽን፡ ኣይክንሕፍን፡ ኣይክምሕርን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 15
እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ስምዑ፡ ጽን በሉ፡ ኣይትተዐበዩ፡ 16 እግዚኣብሄር ከየጸልመተ፡ ኣብቲ
ዝጸልመተ ኣኽራን ከኣ ኣእጋርኩም ከይተሰናኸለ፡ ነታ እትጽበይዋ ብርሃን ድማ ድነ ሞት ከይገበራ፡ ናብ
ድቕድቕ ጸልማውን ከይለወጣ ኸሎ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ክብሪ ሀቡ። 17 እንተ ዘይሰማዕኩም
ግና፡ ብሰሪ ትዕቢትኩም ነፍሰይ ብሕቡእ ክትበኪ እያ፡ እቲ መጓሰ እግዚኣብሄር ተማሪኹ እዩ እሞ፡
ኣዒንተይ መሪር ብኽያት ይበኽያ፡ ንብዓት ድማ ዘርባሕባሕ ይብላ ኣለዋ። 18 ንንጉስን ነደ ንጉስን፡ እቲ
ዘውዲ ኽብርኹም ካብ ርእስኹም ወዲቑ እዩ እሞ፡ ለጠቕ ኢልኩም ተቐመጡ፡ ኢልካ ንገሮም። 19
ከተማታት ደቡብ ተዐጽዋ፡ ዚኸፍተን ድማ የልቦን። ኲላ ይሁዳ ተማረኸት፡ ብዘላ ብጥራስ ተማረኸት።
20 ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ነዞም ካብ ሰሜን ዚመጹ ዘለው ርኣዩ። እቲ እተዋህበካ መጓሰ፡ እቲ
ጽቡቕ መጓሰ፡ ኣበይ ኣሎ 21 ነቶም ባዕልኺ ዘስተምሀርክዮም ፈተውትኺ ኣብ ልዕሌኺ ምስ ኣግዝኦም፡
እንታይ ክትብሊ ኢኺ ከምታ ቕልውላው እተታሕዘት ሰበይቲዶ ኣይክትስቀይን ኢኺ 22 ብልብኺ ድማ፡
ስለምንታይ እዚ ወረደኒ እንተ በልኪ፡ ብሰሪ ብዝሒ ኣበሳኺ ዘፈር ክዳንኪ ተኸበከበ፡ ዳንጋኺውን
ንሕስራን ተቐልዔ። 23 ኢትዮጵያዊዶ ቈርበቱ ወይስ ነብሪ ዕሮርባይ ምኽኑ ኺልውጥ ይከኣሎ እዩ
እምበኣርከ ንስኻትኩም ድማ እከይ ንምግባር ዝለመድኩምሲ ጽቡቕ ያኢ ኽትገብሩ ኢኹም። 24 ስለዚ
ድማ ኣነ ኸምቲ ንፋስ በረኻ ዝበቔጾ ብቕቡቕ ክዘርዎም እየ። 25 ንኣይ ረሲዕክኒ፡ ኣብ ሓሶት ከኣ
ተወኪልኪ ኢኺ እሞ፡ ግዴኺ፡ እቲ ኣነ ዝኸፈልኩልኪ ኽፍሊ፡ እዚ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 26
ስለዚ ሓፍረትኪ ኺርኤ፡ ዘፈር ክዳንኪ ኽሳዕ ገጽኪ ክኸብክብ እየ። 27 ዝሙትክን ምሕምሓምክን ኣብ
ኩድኹዶታትን ኣብ መሮርን ዝገበርክዮ ርኽሰት ምንዝርናኽን፡ እቲ ጽያፍኪ ርኤኹ። ኣቲ የሩሳሌም፡
ወይለኺ። መኣዝ ኰን ክትጸርዪ ኢኺ

## ምዕራፍ 14

1 እቲ ብዛዕባ ደርቂ ናይ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ 2 ይሁዳ ትሐዝን፡ ደጌታታ
ኣሕለልዩ፡ ከሊ ተኸዲኖም ኣብ ምድሪ ይደኑ ኣለው፡ ብኽያት የሩሳሌም ዋሕ ይብል ኣሎ። 3
ጭዋታቶም ንደቆም ማይ ኬምጽኡ ይልእክዎም፡ ናብቲ ሓጽብታት ወሪዶም ማይ ይስእኑ እሞ
ዓታሩኦም ጥራዩ ሒዞምዎ ይምለሱ፡ ሐፊሮምን ሐኒኾምን ርእሶም ይጕልበቡ። 4 ማይ ስለ ዘይዘነመ፡
እታ ምድሪ ኳሕኳሕ በለት እሞ፡ ሓረስቶት ሐኒኾም ርእሶም ይጕልበቡ ኣለው። 5 ኣብ መሮር ዝወለደት
እራብ እኳ፡ ሳዕሪ ስለ እተሳእነ፡ ማሕስኣ ሐዲጋ ትኸይድ። 6 ኣእዱግ ከደን ድማ ኣብ በረኽቲ ደው ኢለን
ከም ወኻሩ ይልህልሃ፡ ካብ ሰኣን ሳዕሪ እተላዕለ ኣዒንተይ ሰም ይብላ ኣለዋ። 7 ጥልመትና ብዙሕ እዩ፡
ንኣኻውን በዲልና ኢና እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ኣበሳና እኳ እንተ ኸሰሰና፡ ስለ ስምካ ኢልካ ደኣ ግበር። 8
ኣታ ተስፋ እስራኤል፡ ብጊዜ ጸበባ መድሓኒኡ፡ ስለምንታይ ኣብዛ ሃገር ከም ጋሻ፡ ከምቲ ንሓንቲ ለይቲ
ጥራይ ዚሐድር ሓላፍ መገዲ ዀንካ 9 ስለምንታይ ከም ቀባሕባሓ፡ ከምቲ ኺውዕል ዘይኽእል ጅግና
ትኸውን ዝኾነ ዀይኑስ ንስኻ ኣብ ማእከልና ኣሎኻ፡ ብስምካ ኸኣ ተሰሚና ኢና እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር

ኣይትሕደገና። 10 እግዚኣብሄር ነዚ ህዝቢ እዚ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ ኪዛውኑ ይፈትው፡ ኣእጋሮም ድማ
ኣይገትኡን። ስለዚ እግዚኣብሄር ኣይፈትወሎምን፡ ሕጂ ንኣበሳኦም ይዝክር፡ ንሓጢኣቶም ከኣ ይቐጽዕ
ኣሎ። 11 እግዚኣብሄር ድማ በለኒ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ሰናይ ኣይትለምነሉ፡ 12 ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን
ከጥፍኦም እየ እምበር፡ እንተ ጾሙ እኳ ጥርዓኖም ኣይክሰምዕን፡ ዚሐርርን ዚብላዕን መስዋእቲ እንተ
ሰውኡውን፡ ኣይክፈትወሎምን እየ። 13 ኣነ ድማ፡ ኣየ፡ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እንሆ፡ እቶም ነብያት
እኮ እዮም፡ ኣብዛ ስፍራ እዚኣ ሓቀኛ ሰላም ክህበኩም እየ እምበር፡ ሰይፊ ኣይክትርእዩን ጥሜትውን
ኣይኪመጻኩምን እዩ፡ ዚብልዎም ዘለው፡ በልኩ። 14 ሽዑ እግዚኣብሄር፡ እቶም ነብያትሲ ብስመይ ሓሶት
ይንበዩ ኣለው። ራእይ ሓሶትን ጥንቈላን ከንቱነትን ናይ ልቦም ጥበራን ደኣ እዮም ዚንበዩልኩም ዘለው
እምበር፡ ኣነስ ኣይለኣኽክዎምን፡ ኣይኣዘዝክዎምን፡ ኣይተዛረብክዎምን ድማ፡ በለኒ። 15 ስለዚ ኸኣ
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ብዛዕባ እቶም ኣነ ኸይለኣኽክዎም፡ ኣብዛ ሃገር እዚኣ ሰይፍን ጥሜትን
ኣይኪህሉን እዩ፡ ኢሎም ብስመይ ዚንበዩ ነብያት፡ እዞም ነብያት እዚኣቶም ብሰይፍን ብጥሜትን
ኪጠፍኡ እዮም። 16 ነቶም እተነበዩሎም ህዝቢ ድማ እከዮም ኣብ ርእሶም ከፍስሰሎም እየ፡ ንሳቶምን
ኣንስቶምን ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ከኣ ብጥሜትን ብሰይፍን ኣብ ኣደባባያት የሩሳሌም ኪወድቁ እዮም፡
ዚቐብሮም ድማ ኪስእኑ እዮም። 17 እምበኣርስኸ እዚ ቓል እዚ ንገሮም፡ እታ ድንግል ጓል ህዝበይ
ብብርቱዕ መውቃዕቲ፡ ብዘሰቂ ቕስሊ ተሰቢራ እያ እሞ፡ ኣዒንተይ ለይትን መዓልትን ከየቛረጻ ንብዓት
የውሕዛ ኣለዋ። 18 ናብ መሮር እንተ ወጻእኩ፡ እንሆ፡ ብሰይፊ ዝሞቱ፡ ናብ ከተማ እንተ ኣቶኹ ድማ፡
እንሆ፡ ብጥሜት ዝቓህመሙ፡ ክሳዕ ነብይን ካህንን እኳ ናብ ዘይፈልጥዎ ሃገር ይኸዱ ኣለው። 19 ካንዶ
ንይሁዳ ብጥራስ ደርቢኻያ ኢኻ ነፍስኻዶ ብጽዮን ሰክሔት ስለምንታይ ደኣ ኸም ዘይንሐዊ ጌርካ
ወቓዕካና ሰላም ተጸቤና፡ ግናኸ ሰናይ ኣይመጸን። እንሐውየሉ ጊዜ ተጸቤና፡ እንሆ ኸኣ፡ ስምባድ ኰነ።
20 ዎ እግዚኣብሄር፡ ንኣኻ በዲልና ኢና እሞ፡ ረሲእነትናን ኣበሳ ኣቦታትናን ተፈሊጡና ኣሎ። 21 ስለ
ስምካ ኢልካ ኣይትንዐቕና፡ ነቲ ዝፋን ክብርኻ ኣይተዋርዶ፡ ነቲ ምሳና ዝኣቶኻዮ ኺዳን ዘክር እሞ
ኣይተፍርሶ። 22 ካብቶም ናይ ኣረማውያን ጣኦታትዶ ኼዝንም ዚከኣሎ ኣሎ እዩ ወይስ ሰማይዶ እዩ ማይ
ሸው ዜብል ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ንስኻዶ ኣይኰንካን እዚ ዅሉ ዝገበርካስ ንስኻ ኢኻ እሞ፡
ትጽቢትና ናባኻ እዩ።

## ምዕራፍ 15

1 እግዚኣብሄር ከኣ በለኒ፡ ሙሴን ሳሙኤልን እኳ ኣብ ቅድመይ እንተ ቘሙ፡ ነፍሰይ ነዚ ህዝቢ እዚ
ግልጽ ኣይምበለቶን። ካብ ቅድሚ ገጸይ ስጐጎም እሞ ይጸርገፉ። 2 ናበይ ክንከይድ ኢና እንተ በሉኻ
ኸኣ፡ ንሞት እተመደበ ናብ ሞት፡ ንሰይፊ እተመደበ ናብ ሰይፊ፡ ንጥሜት እተመደበ ናብ ጥሜት፡
ንምርኮ እተመደበ ናብ ምርኮ ይኺይድ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኢልካ ንገሮም። 3 ኣነ ኣርባዕተ ዓይነት፡
ሰይፊ ንምቕታሎም፡ ኣኽላባት ንምጕታቶም፡ ኣዕዋፍ ሰማይን ኣራዊት ምድርን ከኣ ንምብላዖምን
ንምጥፋኦምን ከውርደሎም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 4 ብሰሪ ምናሴ፡ ወዲ ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ፡
ብሰሪ እቲ ንሱ ኣብ የሩሳሌም ዝገበሮ፡ ኣብ ኲሎም መንግስትታት ምድሪ መሰክሒ ኽገብሮም እየ። 5
ኣቲ የሩሳሌም፡ መን ይድንግጸልኪ መንከ እዩ ዚበኽየልኪ ብናይ ሰላምኪ ኺጥይቕ ዚሀልከልክስ መን
እዩ 6 ኣቢኺኒ፡ ንድሕሪት ተመለስኪ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ስለዚ ብምምሓርኪ ደኺመ ኢደይ ኣባኺ
እዝርግሕ ኤጥፍኣኪውን ኣሎኹ። 7 ኣብ ደጌታት እታ ሃገር ብመስኤ መስኤኽዎም፡ ንህዝበይ ውሉድ

ከሊኤ ኣጥፋእክዎ፡ ካብ መገዶም ከኣ ኣይተመልሱን። 8 መበላሉኦም ካብ ሑጻ ባሕሪ በዝሓኒ፡ ኣብ ኣደ
እቶም ኣጒባዝ ብቐትሪ መጥፍኢ ኣምጻእኩ፡ ብድንገት ጓህን ረዓድን ኣውደቕኩላ። 9 ሾብዓተ ዝወለደት
ተሐሊላ ትንፋሳ ትወጽእ፡ ገና መዓልቲ ኸላ ጸሓያ ትዐርባ፡ ትሐፍርን ትሐንኽን ኣለ። ነቶም ካብኦም
ዝተረፉ ድማ ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም ንሰይፊ ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 10 ኣቲ ኣደይ፡
ንዅሉ ሃገር ሰብኣይ ቈዮቛን ሰብኣይ ክትዕን ክኸውን ወሊድክኒ ኢኺ እሞ፡ ወይለይ። ዘየለቃሕኩን
ዘይተለቃሕኩን ክነሰይሲ ኹላቶም ይረግሙኒ ኣለው። 11 እግዚኣብሄር፡ ብሓቂ ንደሓን ክሕልወኻ፡ እቲ
ጸላኢ ድማ ብጊዜ ጭንቀትን ብጊዜ ጸበባን ከም ዚልምነካ ኽገብር እየ፡ ይብል ኣሎ። 12 ሓጺን፡ እቲ ኻብ
ሰሜን ዝወጸ ሓጺንን ንሃስንዶ ይሰበር እዩ 13 ሃብትኻን መዛግብትኻን ብሰሪ ኹሉ ሓጢኣትካ ኣብ ኵሉ
ዶብካ ንዘመተ ብኸምኡ ኽምጥዎ እየ። 14 ካብ ቍጥዓይ እተላዕለ ኣብ ልዕሌኹም ሓዊ ነዲዱ በግ
ኪብል እዩ እሞ፡ ምስ ጸላእትኻ ናብ ዘይትፈልጦ ሃገር ከሕልፈካ እየ። 15 ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ
ትፈልጥ፡ ዘክረኒ ብጽሓኒ ኸኣ፡ ንሰጐጒተይ ድማ ሕነ ፍደየለይ። ስሌኻ ኢለ ጸርፊ ኸም እተዐገስኩ
ፍለጥ። 16 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፡ ቃላትካ ምስ ረኸብኩ በላዕክዎ። ብስምካ ተሰምየ እየ እሞ፡
ቃላትካ ሓጐሰይን ፍስሃ ልበይን ኰነኒ። 17 ኣብ ባይቶ መላገጽቲ ኣይተቐመጥኩን ባህውን ኣይበለንን፡
ብኹራ መሊእካኒ ኢኻ እሞ፡ ብምኽንያት ኢድካ በይነይ ተቐመጥኩ። 18 ስለምንታይ ከየቛረጽኩ
እቕንዞ፡ ስለምንታይከ ቍስለይ ዘይሓዊ ኹይኑ ለገመ ከም ጠባሪ ዓይኒ ማይ፡ ከምቲ ነጻፊ ማይዶ
ኽትኰነኒ ኢኻ 19 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንተ ተመለስካስ፡ ክመልሰካ እየ፡ ኣብ
ቅድመይ ከኣ ደው ክትብል ኢኻ። ነቲ ኽቡር ካብቲ ሕሱር እንተ ፈሊኻዮ፡ ከም ኣፈይ ክትከውን ኢኻ።
ንሳቶም ይመለሱኻ እምበር፡ ንስኻስ ኣይትመለሶም። 20 ነዚ ህዝቢ እዚ ድማ ጽኑዕ ቀጽሪ ነሃሲ ኽገብረካ
እየ። ንሳቶም ኪዋግኡኻ እዮም፡ ግናኸ ኣነ ምእንቲ ኽድሕነካን ከናግፈካን ምሳኻ እየ እሞ፡
ኣይኪስዕሩኻን እዮም። 21 ካብ ኢድ እኩያት ከናግፈካ፡ ካብ ኢድ ሓያላት ከኣ ክብጀወካ እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 16

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄርውን ናባይ መጸ። 2-4 እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ኣብዚ ስፍራ እዚ
ዚውለዱ ኣወዳትን ኣዋልድን፡ ብዛዕባ እተን ዝወለዳኦም ኣዴታትን ብዛዕባ እቶም ኣብዛ ሃገር
ዝወለድዎም ኣቦታትን ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ብብርቱዕ ሕማም ኪሞቱ እዮም፡ ኣይኪብከዮምን
ኣይኪቕበሩን ድማ እዮም። ኣብ ዝባን ምድሪ ንድዅዒ ኪኹኑ፡ ብሰይፍን ብጥሜትን ኪጠፍኡ፡
ሬሳታቶም ከኣ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ምግቢ ኪኸውን እዩ እሞ፡ ሰበይቲ ኣይተእቱ፡
ኣወዳትን ኣዋልድን ከኣ ኣብዚ ስፍራ እዚ ኣይህልውኻ። 5 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
ሰላመይን ሳህለይን ምሕረተይን ካብዚ ህዝቢ እዚ ኣርሒቐ ኣሎኹ እሞ፡ ኣብ ቤት ሓዘንቲ ኣይትእቶ፡
ከተልቅስ ድማ ኣይትኺድ፡ ኣይተትሐዝኖምውን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 6 ኣብዛ ሃገር እዚኣ ዓበይትን
ናእሽቱን ኪሞቱ ኣይኪቕበሩን ከኣ እዮም፡ ሓደ እኳ ዚበኽየሎምን ዚመልጠሎምን ዚነጽየሎምን ከኣ
ኣይኪርከብን እዩ። 7 ብናይ እቲ ዝሞተ ንምጽንናዕ ኪኸውን ኢሎም፡ እንጌራ ሓዘንቲ ኣይኪቘርሱሎምን
እዮም። ብናይ ኣቦን ኣደን መጸናንዒ ዚኸውን ብዋንጫ ዜስትዮም ኣይኪህሉን እዩ። 8-9 እግዚኣብሄር፡
ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም፡ ብዘመንኩም ድምጺ እልልታን
ድምጺ ሓጐስን ድምጺ መርዓውን ድምጺ መርዓትን ኣብዚ ስፍራ እዚ ኽጥፍኦ እየ እሞ፡ ምሳታቶም

ተቐሚጥካ ኽትበልዕን ክትሰትን ኢልካ ናብታ ዚእከቡላ ቤት ኣይትእቶ፡ ይብል ኣሎ። [10] ኪኸውን ድማ
እዩ፡ ኲሉ እዚ ቓላት ነዚ ህዝቢ እዚ ምስ ነገርካዮ፡ ንሳቶም ከኣ፡ ስለምንታይ እዩ እግዚኣብሄር ዅሉ
እዚ ዓብዪ መዓት ዚዛረበልና ዘሎ እንታይ እዩ ኣበሳና እቲ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝገበርናዮ
ሓጢኣትከ እንታይ እዩ እንተ በሉኻ፡ [11] ንስኻውን ክትብሎም ኢኻ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
ኣቦታትኩም ስለ ዝሐደጉኒ፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ስለ ዝሰዐቡን ዘገልገሉን ዝሰገዱን፡ ንኣይ ስለ
ዝሐደጉኒ፡ ሕገይ ድማ ስለ ዘይሐለው፡ [12] ንስኻትኩምውን እንሆ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ምእንቲ
ኸይትሰምዑኒ፡ ብትሪ እኩይ ልብኹም እናተመላለስኩም፡ ካብቲ ናይ ኣቦታትኩም ዝገደደ ጌርኩም
ኢኹም እሞ፡ [13] ስለዚ ኣነ ኻብ እዚ ሃገር እዚ ናብቲ ንስኻትኩምን ኣቦታትኩምን ዘይትፈልጥዎ ሃገር
ክሰጐኩም እየ። ኣይክምሕረኩምን እየ እሞ፡ ኣብኡውን ለይትን መዓልትን ንኻልኦት ኣማልኽቲ
ኽተገልግሉ ኢኹም። [14] ስለዚ እንሆ፡ እቲ ንደቂ እስራኤል ካብ ሃገር ግብጺ ዘውጽኤ እግዚኣብሄር
ህያው እዩ፡ ዘይበሀለሉ ዘመን፡ [15] ግናኸ እቲ ንደቂ እስራኤል ካብ ሃገር ሰሜንን ካብቲ ሰጒጒዎም ዝነበረ
ኹሉ ሃገርን ዘውጽኤ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ዚበሀለሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ኣነ ድማ ናብታ ነቦታቶም
ዝሀብክዋ ሃገሮም ክመልሶም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [16] ከምዚ ይብል እግዚኣብሄር፡ እንሆ፡ ኣነ
ብዙሓት ገፈፍቲ ዓሳ ኺገፍዎም ክሰደሎም እየ። ብድሕሪኡ ድማ ብዙሓት ሃደንቲ ኣብ ኩሉ ኣኽራንን
ኣብ ኩሉ ኹድኹዶታትን ኣብ ምንቃዕ ኣኻውሕን ኪሀድንዎም ክሰድድ እየ። [17] ኣዒንተይ ኣብ ኩሉ
መገድታቶም ይጥምታ ኣለዋ እሞ፡ ካብ ቅድመይ ኪሕብኡ ኣይከኣሎምን፡ ኣበሳኦም ከኣ ካብ ኣዒንተይ
ኣይስወርን እዩ። [18] ንሃገረይ ብሬሳታት ጣኦታቶም ኣርኪሶምዋ፡ ንርስተይውን ብጽያፎም መሊኦምዋ
እዮም እሞ፡ ቅድምሲ መስጣ እቲ ኣበሳኦምን ሓጢኣቶምን ካዕበት ክፈድዮም እየ። [19] ኣታ ጐይታይ፡
ሓይለይ፡ እምባይ፡ ብመዓልቲ ጸበባውን ገዳመይ፡ ህዝብታት ካብ ወሰን ምድሪ ናባኻ ኺመጹ እዮም
እሞ፡ ኣቦታትናስ ሓሶትን ከንቱነትን ጥቕሚ ዜብሎምን ጥራይ እዮም ዝወረሱ፡ ኪብሉ እዮም። [20] ሰብዶ
ኣማልኽቲ ንርእሱ ይገብር እዩ ግናኸ ንሳቶምሲ ኣማልኽቲ ኣይኰኑን። [21] ስለዚ እንሆ፡ ከፍልጦም እየ፡
በዚ ጊዜ እዚ ኢደይን ስልጣነይን ከፍልጦም እየ፡ ስመይ እግዚኣብሄር ምዃኑ ኸኣ ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 17

[1] ሓጢኣት ይሁዳ ብብርዒ ሓጺን ብብልሒ ኣልማዝ ጽሑፍ እዩ፡ ኣብ ጽላት ልቦምን ኣብ ቀርኒ
መሰውኢታትኩምን ከኣ ውቑር እዩ። [2] ከምቶም ንደቆም ዚዝክሩ፡ ከምኡ ኸኣ ንመሰውኢታትን
ኣስታርቴታትን ኣብ ዝለምዔ ኣእዋምን ኣብ ዝበረኹ ኹርባታትን ይዝክሩ ኣለው። [3] ኣቲ ኣብ መሮር
ዘሎኺ ኸረነይ፡ ብሰሪ እቲ ኣብ ኩሉ ዶባትኪ ዝገበርክዮ ሓጢኣት ንሃብትኽን ንኹሉ መዛግብትኽን
ነቲ በረኽቲ ኹርባታትከን ንዘመተ ኽምጥዎ እየ። [4] ንሓዊ ቍጥዓይ ኣቃሊልኩምዎንሲ፡ ንሓዋሩ
ኺነድድ እዩ እሞ፡ ብሰሪ በደልኪ ነቲ ሂበኪ ዝነበርኩ ርስቲ ኽትለቅዮ ኢኺ፡ ኣብ ዘይትፈልጥዮ ሃገር
ድማ ኣብ ትሕቲ ጸላእትኺ ኽግዝኣኪ እየ። [5] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብ ሰብ ዚውከል፡
ቅልጽሙ ኸኣ ኣብ ስጋ ዚገብር፡ ብልቡውን ካብ እግዚኣብሄር ዚርሕቕ ሰብ ርጉም እዩ። [6] ንሱ ኸም
ንቑጽ ቈጥቋጥ ኣብ በረኻ እዩ፡ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ፡ ኣብ ምድረ በዳ፡ ኣብቲ ሓደ እኳ ዘይነበሮ ምድሪ
ጨው ይነብር እምበር፡ ጥዑም ምስ መጸስ፡ ኣይርእዮን። [7] ኣብ እግዚኣብሄር ዚውከል፡ ትጽቢቱ ኸኣ ኣብ
እግዚኣብሄር ዚገብር ሰብ ብሩኽ እዩ። [8] ንሱ ኸምታ ኣብ ጥቓ ማይ እተተኽለት፡ ሱራ ኣብ ርባ ኣቢሉ
ዜሳፍሕ ኦም እዩ፡ ዋዒ እንተ መጸ፡ ኣይትፈርህን፡ ቈጽላ ኸኣ ለሚዑ ይነብር። ብዓመት ደርቂ

ኣይተንከርን፡ ካብ ምፍራይውን ኣይትቋርጽን። [9] ልቢ ኻብ ኲሉ ጒራሕን ኣዝዩ ሕሱምን እዩ፡ መንከ
የስተውዕሎ [10] ኣነ እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፍ ከከም መገዱ፡ ከከም ፍረ ግብሩ ምእንቲ ኽህቦ፡ ንልቢ
እምርምሮ፡ ንኾላሊት ከኣ እፍትኖ። [11] እቲ ብዘይ ቅንዕና ሃብቲ ዚእክብ ከምታ ንዘይወለደቶ እንቋቚሖ
እትሐቁፍ ቆቛሕ እዩ። ኣብ ፈረቓ ዕድሚኡ ይሐድጎ፡ ኣብ መወዳእታኡ ኸኣ ዓሻ ይኸውን። [12] እቲ ኻብ
ጥንቲ ልዕል ዝበለ ዝፋን ግርማስ ስፍራ መቕደስና እዩ። [13] ዎ እግዚኣብሄር፡ ትጽቢት እስራኤል፡ እቶም
ዚሐድጉኻ ዘበሉ ኺሐንኩ እዮም። ንእግዚኣብሄር፡ ነቲ ህያው ዓይኒ ማይ፡ ስለ ዝሐደጉ፡ እቶም ካባኻ
ዚርሕቁ ኣብ ሓመድ ኪጽሐፉ እዮም። [14] ዎ እግዚኣብሄር፡ ውዳሰይ ንስኻ ኢኻ እሞ፡ ኣሕውየኒ፡ ክሐዊ
ድማ እየ፡ ኣድሕነኒ፡ ክድሕንውን እየ። [15] እንሆ፡ ንሳቶም፡ ኣበይ ኣሎ ቓል እግዚኣብሄር ይምጻእ ሕጂይ፡
ይብሉኒ ኣለው። [16] ኣነስ እናሰዐብኩኻ ጓሳ ምዃን ኣይኣቤኹን፡ መዓልቲ መከራ ኣይደሌኹን፡ ንስኻ
ትፈልጥ ኢኻ፡ ከናፍረይ እተዛረባኦ ድማ ኣብ ቅድሜኻ እዩ። [17] ብመዓልቲ ጸበባስ ጸግዔይ ንስኻ ኢኻ፡
ስምባድ ኣይትኹነኒ። [18] እቶም ሰጐጒተይ ይሕነኹ፡ ኣነ ኣይሕነኽ፡ ንሳቶም ይሰምብዱ፡ ኣነ
ኣይሰምብድ። መዓልቲ መዓት ኣምጽኣሎም፡ ካዕበት ጥፍኣት ጌርካውን ኣጥፍኣዮም። [19] እግዚኣብሄር
ከምዚ በለኒ፡ ኣብተን ነገስታት ይሁዳ ዚኣትውለንን ዚወጹለንን ደጌታት ደቂ ህዝብን ኣብ ኲለን ደጌታት
የሩሳሌምን ኬድካ ቑም እሞ፡ [20] ኣቱም ነገስታት ይሁዳን ኲላትኩም ይሁዳን፡ በዘን ደጌታት እዚኣተን
እትኣትው፡ ኣብ የሩሳሌም እትነብሩ ኹላትኩምውን፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ በሎም። [21]
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነፍስኹም ሐልዉ፡ ብመዓልቲ ሰንበት ጾር ኣይትጹሩ፡ ብደጌታት
የሩሳሌምውን ኣይተእትዉ፡ [22] ገለ እኳ ጾር ካብ ኣባይትኹም ኣይተውጽኡ። ከምቲ ኣነ ነቦታትኩም
ዝኣዘዝክዎም ደኣ መዓልቲ ሰንበት ቀድሱ እምበር፡ ብመዓልቲ ሰንበትሲ ሓንቲ ዕዮ እኳ ኣይትግበሩ። [23]
ንሳቶም ግና ኣይሰምዑን፡ ኣእዛኖምውን ጽን ኣይበላን። ከይሰምዑን ከይግሰጹንሲ ኽሳውዶም ደኣ
ኣትረሩ። [24] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኪኸውን ድማ እዩ፡ ንስኻትኩም ብመዓልቲ ሰንበት ብኣፍ
ደጌታት እዛ ኸተማ እዚኣ ጾር ከይተእትዉ ጽን ኢልኩም እንተ ሰማዕኩምኒ፡ ንመዓልቲ ሰንበትሲ ብእኣ
ገለ ዕዮ ኸይዐየኹም እንተ ቐደስኩምዋ፡ [25] ሽዑ እቶም ኣብ ዝፋን ዳዊት ዚቕመጡ ነገስታትን
መሳፍንትን፡ ብሰረገላታትን በፍራስን፡ መሳፍንቶምን ሰብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ብደጌታት
እዛ ኸተማ እዚኣ ኺኣትዉ እዮም። እዛ ኸተማ እዚኣ ንዘለኣለም ዚነብሩላ ኽትከውን እያ። [26] ካብ
ከተማታት ይሁዳን ካብ ከባቢ የሩሳሌምን ካብ ሃገር ብንያምን ካብ ቈላን ካብ ደጋን ካብ ደቡብን
ዚሐርርን ዚሕረድን ዚብላዕን መስዋእቲ፡ ዕጣንውን ሒዞም ኪመጹ፡ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ናይ
ምስጋና መስዋእቲ ኬቕርቡ እዮም። [27] ግናኸ ንመዓልቲ ሰንበት ክትቅድሱ፡ ብመዓልቲ ሰንበት ገለ ጾር
ከይትጾሩን ብደጌታት የሩሳሌም ከይተእትውን እንተ ዘይሰማዕኩምኒ፡ ሽዑ ኣነ ኣብ ደጌታት ሓዊ
ኽንድድ እየ፡ ንሱ ኸኣ ንግምብታት የሩሳሌም ኪበልዖ ኣይኪጠፍእን ድማ እዩ።

## ምዕራፍ 18

[1-2] እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል፡ ተንስእ እሞ ናብ ቤት ሰራሕ መሬት ውረድ፡
ኣብኡ ኸኣ ቃለይ ከስምዓካ እየ፡ ዚብል እዩ። [3] ሽዑ ናብ ቤት ሰራሕ መሬት ወረድኩ፡ እንሆ፡ ንሱ
ብመዘወር ስራሑ ኺሰርሕ ጸንሔ። [4] እቲ ብመሬት ዝሰርሖ ኣቕሓ ኣብ ኢድ እቲ ሰራሕ መሬት ምስ
ተጸየቐ:ከም ብሓድሽ እቲ ሰራሕ መሬት ከምቲ ጽቡቕ ኰይኑ እተራእዮ ገይሩ ኻልእ ኣቕሓ ሰርሖ። [5]
ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ፡ [6] ኣቱም ቤት እስራኤል፡ ኣነኸ ንኣኻትኩምዶ ኸምቲ ሰራሕ

መሬት ዝገበሮ ኽገብረኩም ኣይከኣለንን እዩ ኣቱም ቤት እስራኤል፡ እንሆ፡ ከምቲ መሬት ኣብ ኢድ እቲ
ሰራሕ መሬት ዘሎ፡ ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ኣብ ኢደይ ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 7 ሓደ ጊዜ
ብናይ ህዝብን ብናይ መንግስትን ክምንቀሉን ከፍርስን ከጥፍእን እዛረብ ኣሎኹ። 8 እቲ እተዛረብኩሉ
ህዝቢ ኻብ እከዩ እንተ ተመልሰ ግና፡ ኣነ ኸኣ ነቲ ንእኡ ኽገብሮ ኢለ ዝሐሰብክዎ እኩይ እጥዕሰሉ እየ።
9 ሓደ ጊዜ ኸኣ ብናይ ህዝብን ብናይ መንግስትን ክህንጽን ክተክልን እዛረብ ኣሎኹ። 10 ቃለይ ምስማዕ
ኣብዩ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ እከይ እንተ ገበረ ግና፡ ኣነውን ነቲ ኽገብረሉ እየ ኢለ እተዛረብክዎ ሰናይ
እጥዕሰሉ። 11 እምበኣርሲ ንሰብ ይሁዳን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ኢልካ ተዛረቦም፡ እንሆ፡ ሕሰም ኤዳልወልኩም፡ ንኹድኣትኩም ከኣ ሓሳብ እሕልን ኣሎኹ። ስለዚ
ነፍሲ ወከፍ ካብ መገዲ እከዩ ይመለስ፡ መገድኹምን ግብርኹምን ከኣ ኣጠቕዉ። 12 ንሳቶም ግና፡ ከንቱ
እዩ፡ ንሕናስ ንሓሳብ ርእስና ኽንሰዕብ፡ ነፍሲ ወከፍና ድማ ከምቲ ትሪ ሕሱም ልብና ኽንገብር ኢና፡
በሉ። 13 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እስከ ኸምዚ ዘመሰለ ዝሰምዔ እንተሎስ፡ ኣብ ማእከል
ኣህዛብ ሕተቱ፡ እታ ድንግል እስራኤል ኣዝዩ ገዚፍ ጉድ ገይራ ኣላ። 14 በረድ ሊባኖስዶ ነቲ ኣኻውሕ
መሮር ይለቀሉ እዩ እቲ ኻብ ርሑቕ ዚመጽእ ዝሑል ወሓዚ ማይከ ይነጽፍዶ እዩ 15 ህዝበይንንከ ንኣይ
ረስዓኒ፡ ንጣኣታት ከንቱውን ይዕጥን ኣሎ። ንሳቶም በቲ መገዲ ኣጋር፡ በቲ ዘይተጻርገ መገዲ ምእንቲ
ኪኸይድ፡ ኣብ መገድታቱ፡ ኣብቲ ናይ ጥንቲ መገድታት ኣዕንቀፍዎ። 16 በዚ ኸምዚ ንሃገሩ ዑና፡ ንሓዋሩ
ድማ መላገጺ ይገብሩ። እቶም ብእኣ ዚሐልፉ ዘበሉ ኹሎም ይግረሙ፡ ርእሶም ከኣ ይንቕንቑ። 17 ኣብ
ቅድሚ ጸላኢ ኸም ንፋስ ምብራቕ ክብትኖም እየ። ብመዓልቲ ጸበባኦም ዝባን እምበር፡ ገጽ
ኣይከርእዮምን እየ። 18 ንሳቶም ድማ፡ ሕጊ ኻብ ካህን፡ ምኽሪ ኻብ ጥበበኛ፡ ቃል ካብ ነብዩ ኣይስኣንን
እዩ እሞ፡ ንዑ ንኤርምያስ ምኽሪ ንጣበበሉ፡ ንዑ ብልሳንና ንውቅዓዮ፡ ንኹሉ ቓላቱ ድማ ግዱ
ኣይንግበር፡ በሉ። 19 ጐይታየ፡ ኣባይ ጽን በል፡ እዞም ተጻረርተይ ዚብልዎ ኸኣ ስማዕ። 20 ንነፍሰይ
ጉድጓድ ኵዒቶምላ እዮም እሞ፡ ኣብ ክንዲ ሰናይዶ እከይ ይፍደ እዩ ጽቡቕ ክዛረበሎምን ኵራኻ
ኽርሕቐሎምን ኢለ፡ ኣብ ቅድሜኻ ከም ዝቘምኩ ዘክር። 21 ስለዚ ደቆም ንጥሜት መጡ፡ ንኣታቶም ከኣ
ናብ ኢድ ሰይፊ ኣሕሊፍካ ሀብ። ኣንስቶም ደቂ ዜብለን መበላሉ ይኹና፡ ሰብኡተን ድማ ተቐቲሎም
ይሙቱ። ኣጕባዞም ከኣ ኣብ ውግእ ብሰይፊ ይወቕዑ። 22 ኪሕዙኒ ጕድጓድ ኵዒቶምለይ፡ ነእጋረይ ከኣ
መፈንጠራ ደቢቖምለይ እዮም እሞ፡ ብድንገት ጥፍራ ኣምጺእካሎምሲ ኣውያት ካብ ኣባይቶም
ይስማዕ። 23 ኣታ እግዚኣብሄር፡ እቲ ኪቕትሉኒ ኢሎም ዝሐለንዎ ምኽሪ ኹሉ ንስኻ ትፈልጦ ኢኻ።
ኣበሳኦም ይቕረ ኣይትበለሎም፡ ሓጢኣቶምውን ካብ ቅድሚ ገጽካ ኣይትደምስስ። ኣብ ቅድሜኻ ጻሕ
ይበሉ፡ ብመዓልቲ ቍጥዓኻውን ከምዚ ግበሮም።

## ምዕራፍ 19

1 እግዚኣብሄር ከምዚ በለ፡ ኪድ፡ ካብቲ ሰራሕ መሬት ከኣ ሳርማ ተሻየጥ እሞ ገለ ኻብቶም ዓበይቲ
ህዝብን ካብቶም ዓበይቲ ኻህናትን ተማላእ። 2 ናብቲ ኣብ ጥቓ መእተዊ ደገ ናይቶም ሰራሕቲ መሬት
ዘሎ ለሰ ወዲ ሂኖም ውጻእ። ኣብኡ ኼንካ ድማ እቲ ኣነ ዝነግረካ ቓል ኣውጅ፡ 3 በልውን፡ ኣቱም
ነገስታት ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም እትነብሩን፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ። እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት
ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣብዚ ስፍራ እዚ ንዝሰምዖ ዘበለ ኹሉ ኣእዛኑ ዚጽመሉ
መዓት ከውርድ እየ። 4 ንኣይ ሐዲጎምኒ፡ ነዚ ስፍራ እዚ ጓና ገይሮምዎ፡ ነቶም ንሳቶምን ኣቦታቶምን

ነገስታት ይሁዳን ዘይፈልጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲ ዐጢኖምሉ፡ ነዚ ስፍራ እዚ ብደም ንጹሃት
መሊኦምዎ እዮም። 5 ኣነ ዘይኣዘዝክዎን ዘይተዛረብክዎን ኣብ ልበይውን ዘይኣተወንሲ፡ ንበዓል ዚሐርር
መስዋእቲ ኪኾኑ ኢሎም፡ ነወዳቶም ብሓዊ ምእንቲ ኼንድድዎም፡ በረኽቲ ስፍራ ንበዓል ሰርሑ። 6
ስለዚ ኸኣ እንሆ፡ እዝ ስፍራ እዚ ለሰ ምሕራድ እምበር፡ ቶፌቶ ወይስ ለሰ ወዲ ሂኖም ኢሉ
ዘይስመየለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 7 ኣነ ኸኣ ኣብዚ ስፍራ እዚ ንምኽሪ
ይሁዳን የሩሳሌምን ከንቱ ኽገብሮ እየ። ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም ብሰይፍን ብኢድ እቶም ነፍሶም ዚደልዩን
ገይረ ኽውድቖም እየ። ሬሳታቶም ድማ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት መሮርን ምግቢ ኪኾኖም ክህቦ እየ። 8
ነዛ ኸተማ እዚኣ ድማ ንመሰክሕን ንመላገጽን ክገብራ እየ። ብእኣ ዚሐልፍ ዘበለ ብዅሉ ስቓያ
ኺስክሕን ኬላግጽን እዩ። 9 ስጋ ኣወዳቶምን ስጋ ኣዋልዶምን ከብልዖም እየ። ብጸላእቶምን በቶም
ነፍሶም ዚደልዮም ተኸቢቦም ጸቢብዎም ምስ ተጨነቑ፡ ስጋ ሓድሕዶም ኪባልዑ እዮም። 10 ሽዑ ሳርማ
ኣብ ቅድሚ እቶም እተማላእካዮም ሰባት ስበራ እሞ በሎም፡ 11 ከምቲ ናይ ሰራሕ መሬት ኣቕሓ ምስ
ተሰብረ ዘይዕረ፡ ከምኡ ነዚ ህዝቢ እዝን ነዛ ኸተማ እዚኣን ክሰብሮም እየ። ስፍራ ስለ እተሳእነ ድማ
ኣብ ቶፌት ኪቕበሩ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 12 ነዛ ኸተማ እዚኣ ኸም ቶፌት
ክገብራስ፡ ነዚ ስፍራ እዝን ነቶም ኣብኡ ዚነብሩን ከምኡ ኽገብሮም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 13
ኣባይቲ የሩሳሌምን ኣባይቲ ነገስታት ይሁዳን፡ ኲለን እተን ኣብ ዝባን ናሕሲ ንዅሎም ሰራዊት ሰማይ
ዝዐጠኑለን፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ድማ መስዋእቲ መስተ ዝኽዐዉለን ኣባይትን፡ ከም ስፍራ ቶፌት
ኪረኽሳ እየን። 14 ኤርምያስ ከኣ ካብቲ እግዚኣብሄር ኪንበ ኢሉ ልኢኽዎ ዝነበረ ቶፌት ተመሊሱ ኣብ
ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር ቈመ፡ ንዅሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ በለ፡ 15 እንሆ፡ ንቓለይ ከይሰምዑ ኽሳዶም
ኣትሪሮም እዮም እሞ፡ ናብዛ ኸተማ እዚኣን ናብ ኲለን ዓድታታን እቲ እተዛረብኩላ ዘበለ ዅሉ መዓት
ከውርደለን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል።

# ምዕራፍ 20

1 እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ሕልቅነት እተሸመ ጳሽሑር፡ ወዲ እቲ ኻህን ኢሜር፡ ኤርምያስ እዚ ነገር
እዚ ኺንበ ኸሎ ሰምዖ። 2 ጳሽሑር ከኣ ንነብዩ ኤርምያስ ወቕዖ፡ ኣብታ ኣብ ጥቓ ቤት እግዚኣብሄር
ዝነበረት ላዕለይቲ ደገ ብንያምውን ኣብ ጒንዲ ኣሰሮ። 3 ንጽብሒቱ ጳሽሑር ንኤርምያስ ካብ ማእሰርቲ
ኣውጽኦ። ኤርምያስ ከኣ፡ እግዚኣብሄር ማጉር ሚሳቢብ እምበር፡ ጳሽሑር ኢሉ ኣይሰመየካን፡ በሎ። 4
እምበኣርሲ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ንርእስኻን ንዅሎም ፈተውትኻን መሰምበዲ
ኽገብረካ እየ፡ ብሰይፊ ጸላእቶም ኪወድቁ እዮም፡ ኣዒንትኻ ድም ኪጥምታኦ እየን። ንዅላ ይሁዳ ኸኣ
ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ክውፍያ እየ፡ ንሱ ድማ ናብ ባቢሎን ኪማርኾም ብሰይፈውን ኪቐትሎም እዩ።
5 ኲሉ ጥሪት እዛ ኸተማ እዚኣን ኲሉ ጻማኣን ኲሉ ኽቡር ኣቓሑኣን ኲሉ እቲ መዛግብ ነገስታት
ይሁዳን ኣብ ኢድ ጸላእቶም ክህቦ እየ። ንሳቶም ድማ ኪዘምትዎ፡ ኪወስድዎ፡ ናብ ባቢሎንውን
ኪማርኽዎ እዮም። 6 ኣታ ጳሽሑር፡ ንስኻን ኣብ ቤትካ ዚነብሩ ዅሎምን ከትማረኹ ኢኹም፡ ናብ
ባቢሎን ክትከይድ ኢኻ እሞ፡ ምስቶም ሓሶት እተነበኻሎም ኲሎም ፈተውትኻ ኣብኡ ኽትመውት፡
ኣብኡውን ክትቅበር ኢኻ። 7-8 ብተዛረብኩሉ መጠን እጭርሕ፡ ዓመጽን ዘመተን ኢለ እጭርሕ ኣሎኹ።
ቃል እግዚኣብሄር መዓልቲ ብመልኣ ንጸርፍን መላገጽን ኰይኑኒ እዩ እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ጠበርካኒ
ተጠበርኩ ኸኣ፡ ሓየልካኒ ኣሕመቕካኒ ድማ። ኣብ ጸጽባሕ መላገጺ ኰንኩ፡ ኲሎምውን የባጭውለይ

ኣለው። [9] ኣይክዝክሮን፡ ደጊምስ ብስሙ ኣይክዛረብን እየ፡ እኳ እንተ በልኩ፡ ኣብ ዓጻጽምተይ ተዐጽዩ፡
ኣብ ልበይ ከም ዚነድድ ሓዊ ኾነኒ። ክጽመሞ ተጋደልኩ፡ ግናኸ ኣይኰነለይን። [10] ብዙሓት ኪሐምዩኒ
እሰምዕ ኣሎኹ እሞ፡ ብኹሉ ሸነኸይ ስምባድ ይኸበኒ ኣሎ። ክሰስዎ፡ ንሕና ኸኣ ክንከሶ፡ ኢሎም
ኲላቶም ፈተውተይ ውድቀተይ ይቃጸዉ፡ ምእንቲ ኽነሕምቖን ሕነ ኽንፈድዮንሲ ይጥበረልና ይኸውን፡
ይብሉ ኣለው። [11] ግናኸ እግዚኣብሄር ከም ሓያል ጅግና ምሳይ እዩ። ስለዚ እቶም ሰጐጒተይ ተዐንቂፎም
ይወድቁ፡ ዚከኣሎምውን የልቦን። ብጥበብ ስለ ዘይገበርዎ ኣዝዮም ኪሐንኩ እዮም፡ ነውሮም ድማ
ንሓዋሩ ኣይኪርሳዕን እዩ። [12] ኣታ ንጻድቕ እትምርምር፡ ልብን ኰላሊትን እትርኢ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት፡ ነገረይ ንኣኻ ኣማዕቊበ እየ እሞ፡ ነቲ እትፍደዮም ሕነ ኣርእየኒ። [13] ንነፍሲ ድኻ ኻብ ኢድ
ገበርቲ እከይ ኣድሒንዋ እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ዘምሩ፡ ንእግዚኣብሄር ወድሱ። [14] እተወለድኩላ
መዓልቲ ርግምቲ ትኹን፡ እታ ኣደይ ንኣይ ዝወለደትላ መዓልቲ ኣይትባረኽ። [15] እቲ ነቦይ፡ ወዲ
ተወሊዱልካ፡ ኢሉ ዘበሰሮ እሞ ዘሐጐሶ ሰብኣይ ርጉም ይኹን። [16] እቲ ሰብኣይ እቲ ኸምተን
እግዚኣብሄር ከይተጣዕሰ ዝገልበጠን ከተማታት ይኹን። ንግሆ ኣውያት፡ ቀትሪ ድማ ጭድርታ ውግእ
ይስማዕ። [17] ኣደይ መቓብረይ ክትከውን፡ ንሓዋሩ ኸኣ ብጥንስታ ኽትነብርሲ፡ ስለምንታይ ኣብ ማሕጸን
ወላዲተይ ከሎኹ ዘይቀተለኒ [18] ድኻምን ሓዘንን ክርኢ፡ ዕለተይ ከኣ ብሓፍረት ክውድእከ ስለምንታይ
ካብ ማሕጸን ወጽኣኩ

# ምዕራፍ 21

[1-2] ንጉስ ጼድቅያስ ንጳሽሑር፡ ወዲ መልክያን ንጻፉንያስ፡ ወዲ መኣስያ እቲ ኻህንን፡ ናብክደናጾር ንጉስ
ባቢሎን፡ ኪዋግኣና ይብል ኣሎ እሞ፡ ምናልባሽ እግዚኣብሄር ከም ኲሉ ተኣምራቱ ገይሩ ኻባና ዚመልሶ
እንተ ኾነስ፡ እስከ ንእግዚኣብሄር ጠይቐልና፡ ኪብልዎ ናብ ኤርምያስ ምስ ለኣኾም፡ ካብ እግዚኣብሄር
ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል እዚ እዩ። [3] ኤርምያስ ከኣ፡ ንጼድቅያስ ከምዚ ኢልኩም ንገርዎ፡ በሎም፡ [4]
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ነቲ ንንጉስ ባቢሎንን ነቶም ብኽንየው
ቀጽሪ ዚኸቡኹም ከለዳውያንን እትዋግኡሉ ኣብ ኣእዳውኩም ዘሎ ኣጽዋር ክመልሶ ኣብ ማእከል እዛ
ኸተማ እዚኣ ኸኣ ክእክቦ እየ። [5] ኣነ ባዕለይ ብተዘርግሔት ኢድን ብብርቱዕ ቅልጽምን ብኹራን ብነድርን
ብዓብዪ ቑጥዓን ክዋግኣኩም እየ። [6] ኣብዛ ኸተማ ንዚነብሩ ሰብን እንስሳን ክወቅዕ እየ፡ ብብርቱዕ ፌራ
ድማ ኪሞቱ እዮም። [7] ድሕርዚ ኸኣ ንጼድቅያስ፡ ንጉስ ይሁዳን ንግዙኣቱን ነቶም ካብ ፌራን ካብ
ሰይፍን ካብ ጥሜትን ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ዝተረፉ ህዝብን ናብ ኢድ ናብከድናጾር ንጉስ ባቢሎንን ናብ
ኢድ እቶም ጸላእቶምን ናብ ኢድ እቶም ነፍሶም ዚደልዩን ክምጥዎም እየ። ንሱ ኸኣ ብብልሒ ሰይፊ
ኺወቕዖም፡ ኣይኪንሕፎምን ኣይኪድንግጸሎምን ኣይኪምሕሮምን ድማ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [8]
ነዚ ህዝቢ እዚ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ክትብሎ ኢኻ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሜኹም መገዲ
ህይወትን መገዲ ሞትን ኤንብር ኣሎኹ። [9] ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ዚቕመጥ ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን
ኪመውት እዩ። ግናኸ እቲ ወጺኡ ናብቶም ከቢቦምኹም ዘለው ከለዳውያን ዚኣቱ ብህይወቱ ኺነብር፡
ነፍሱ ኸኣ ዘመታኡ ኽትኰነሉ እያ። [10] ንጽቡቕ ዘይኰነስ ንኽፉእ፡ ገጸይ ናብ እዛ ኸተማ እዚኣ ኣቢለ
ኣሎኹ እሞ፡ ናብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ክትወሀብ እያ፡ ንሱውን ብሓዊ ኼንድዳ እዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [11] ንቤት ንጉስ ይሁዳ ኸኣ፡ ቓል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ በሎም፡ [12] ኣቱም ቤት ዳዊት፡ ብሰሪ
እከይ ግብርኹም ቍጥዓይ ከም ሓዊ ኸይእጐድ፡ ዜጥፍኦ ኽሳዕ ዚስእን ከኣ ከይነድድሲ፡ ኣንጊህኩም

ፍርዲ፡ ነቲ እተዘምተውን ካብ ኢድ ዓማጺኡ ኣድሕንዎ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 13 ኣቲ ኣብ ለስ ኣብ
ከውሒ ጐልጐል እትነብሪ ዘሎኺ፡ እኔኹ፡ ናብ ርእስኺ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ንስኻትኩም ከኣ፡
መን እዩ ሓጋ ዚወድቀና መንከ እዩ ኣብ ሰፈርና ዚኣቱ እትብሉ ዘሎኹም፡ 14 ኣነ ኸምቲ ፍረ ግብርኹም
ገይረ ክቐጽዓኩም፡ ኣብቲ ዱራ ሓዊ ኽኣጒድ እየ እሞ፡ ንኹሉ ኸባቢኣ ኺበልዖ እዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 22

1 እግዚኣብሄር ከምዚ በለ፡ ናብ ቤት ንጉስ ይሁዳ ውረድ እሞ ኣብኡ እዚ ቓል እዚ ተዛረብ፡ 2 በል ከኣ፡
ኣታ ኣብ ዝፋን ዳዊት ተቐሚጥካ ዘሎኻ ንጉስ ይሁዳ፡ እቶም በዘን ደጌታት እዚኣተን እትኣትው፡ ንስኻን
ግዙኣትካን ህዝብኻን፡ ቃል እግዚኣብሄር ስማዕ፡ 3 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ፍርድን ጽድቅን
ግበሩ፡ ነቲ እተዘምተ ኸኣ ካብ ኢድ ዓማጺኡ ኣድሕንዎ፡ ንስደተኛን ንዘኽታምን ንመበለትን
ኣይትዕግቡን ኣይትዕምጹን፡ ኣብዚ ስፍራ እዚውን ንጹህ ደም ኣይትኽዐው። 4 ነዛ ቓል እዚኣ ብሓቂ
እንተ ገበርክምዋ፡ ሽዑ እቶም ኣብ ዝፋን ዳዊት ተቐሚጦም ዘለው ነገስታት፡ ንሱን ግዙኣቱን ህዝቡን፡
ኣብ ሰረገላታትን ኣፍራስን ተቐሚጦም ብደጌታት እዛ ቤት እዚኣ ኺኣትዉ እዮም። 5 ግናኸ ነዘን ቓላት
እዚኤን እንተ ዘይሰማዕኩም፡ እዛ ቤት እዚኣ ኸም እትኖኑ፡ ብርእሰይ መሐልኩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 6
ስለዚ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ቤት ንጉስ ይሁዳ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ ንስኻ ንኣይ ከም ጊልኣድን ከም ርእሲ
ሊባኖስን ኢኻ፡ ግናኸ ኣነ ብርግጽ ከም ምድረ በዳ፡ ከምተን ሓደ እኳ ዘይነብረለን ከተማታት ክገብረካ
እየ። 7 ነፍሲ ወከፍ መምስ ኣጽዋሮም መዕነውቲ ኽዳልወልካ እየ። ንሳቶም ነቲ መምሩጽ ጽሕድታትካ
ኪቘርጽዎን ኣብ ሓዊ ድማ ኬእትውዎን እዮም። 8 ብዙሓት ህዝብታት በዛ ኸተማ እዚኣ ኺሐልፉ፡
ንሓድሕዶም ከኣ፡ ስለምንታይ ኰን እዩ እግዚኣብሄር ነዛ ዓባይ ከተማ እዚኣ ኸምዚ ዝገበራ ኪባሃሀሉ
እዮም። 9 ኪዳን እግዚኣብሄር ኣምላኾም ስለ ዝሐደጉን፡ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ስለ ዝሰገዱን ዘምለኹን
እዩ፡ ኢሎም ከኣ ኪመልሱሎም እዮም። 10-12 እግዚኣብሄርሲ ብዛዕባ እቲ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ዮስያስ
ዝነገሰ፡ ካብዚ ስፍራ እዚ ኸኣ ዝወጸ ሻሉም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ናብዚ ከቶ ኣይኪምለስን እዩ፡
ኣብቲ እተማረኽሉ ስፍራ ኺመውት እዩ እምበር፡ ነዛ ሃገር እዚኣስ ምንም ኣይኪርእያን እዩ፡ ይብል ኣሎ
እሞ፡ እቲ ዚኸይድ ናብታ እተወልደላ ሃገር ኣይኪምለስን ኣይኪርእያንውን እዩ፡ ስለዚ ንእኡ ደኣ
ኣምሪርኩም ብኸዩሉ እምበር፡ ንምውትሲ ኣይትብከዩሉን ኣይትሕዘኑሉን። 13-14 እቲ ንቤቱ ብዘይ ጽድቂ
ንውሽጢታቱ ድማ ብዘይ ፍርዲ ዚሰርሕ። ንብጻዩ ብኸምኡ ዜዕዩ፡ ደመወዙ ዘይህቦ፡ እሞ፡ ረርሒብ
ክፍልታት ዘለዋ ዓባይ ቤት ክህንጽ እየ፡ ዚብል ወይለኡ። መስኰት የውጽኣላ፡ ብጽሕዲ ይረባ፡ ብቐይሕ
ቀለምውን ይቐብኣ። 15 ብጽሕዲ እንተ ኣጌጽካ ዶኾን ክትነግስ ኢኻ፡ ኣቦኻስ ኣይበልዔን ኣይሰተየንዶ፡
ጽድቅን ፍርድንከ ኣይገበረንዶ እዩ ሽዑ ደኣ ደሓን ኰነሉ። 16 ነቲ ሽጉርን ድኻን ፍትሒ ኣውጽኤ፡ ስለዚ
ደሓን ኰነሉ። እዚ ነኣይ ምፍላጦዶ ኣይኰነን ይብል እግዚኣብሄር። 17 ዓይንኻን ልብኻን ብስስዕትን
ብምኽዓው ንጹህ ደምን ብምግባር ግፍዕን ዓመጻን ጥራይ ትሑዝ እዩ። 18 ስለዚ ብዛዕባ ዮኣቂም፡ ወዲ
ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ዋይ ሓወይ፡ ዋይ ሓብተይ፡ ኢሉ ዜልቅሰሉ
የልቦን። ኣየ ጐይታ፡ ኣየ ኽብረቱ፡ ኢሎም ከኣ ኣይኬልቅሱሉን እዮም። 19 ከም ኣቀባብራ ኣድጊ
ኪቐብርዎ፡ ጓቲቶም ብኽንየው ደጌታት የሩሳሌም ኪድርብይዎ እዮም። 20 ኩላቶም ፈታውትኺ
ተደቍሶም እዮም እሞ፡ ናብ ሊባኖስ ደዪቢ ኣእውዩ ኸኣ። ድምጽኺ ናብ ባሳን ዓው ኣብሊ፡ ካብ

ዓባሪም ድማ ኣእውዩ። [21] ደሓን ከሎኺ ተዛረብኩኺ፡ ንስኺ ግና፡ ኣይሰምዕን፡ በልኪ። ድምጸይ
ዘይምስማዕክስ እቲ ኻብ ንእስነትኪ ጀሚሩ ዝነበረ መገድኺ እዩ። [22] ንዅሎም ጓሶትኪ ንፋስ ኪጓስዮም
እዩ፡ ፈተውትኺ ድማ ኪማረኹ እዮም። ሽው ብሰሪ እከይኪ ኽትሐፍርን ክትሐንክን ኢኺ። [23] ኣቲ ኣብ
ሊባኖስ እትነብሪ፡ ኣቲ ብጽሕዲ ኣጕዶኺ እትሰርሒ ዘሎኺ፡ ከምቲ ቕልውላው ንወላዲት ዚሕዛ፡ ጸበባ
ምስ መጸኪ፡ ክንደይ መደንገጺ ኾን ክትኰኒ ኢኺ። [24] ኢኮንያስ፡ ወዲ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ፡ ኣብ
የማናይ ኢደይ ቀለቤት መሕተሚ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣነ ህያው ከም ዝኾንኩ፡ ካብኡ ኽውጽኣካ እየ፡
ይብል እግዚኣብሄር። [25] ኣነ ኣብ ኢድ እቶም ንነፍስኻ ዚደልዩን ኣብ ኢድ እቶም እትፈርሆምን ኣብ ኢድ
ናቡክደናጾር ንጉስ ባቢሎንን ኣብ ኢድ ከለዳውያንን ክምጥወካ እየ። [26] ንኣኻን ነታ ዝወለደትካ ኣዴኻን
ናብ ዘይተወለድኩምሉ ሃገር ጓና ኽሰጕኩም እየ። ኣብኡውን ክትሞቱ ኢኹም። [27] ናብታ ኺምለስዋ
ዚናፍቕዋ ሃገር፡ ናብኣ ኣይኪምለሱን እዮም። [28] እምበኣርሲ እዚ ሰብኣይ፡ እዚ ኢኮንያዶ ንዑቕን ስቡርን
ኣቕሓ እዩ ዘየብህግ ኣቕሓዶኸ እዩ ስለምንታይ ደኣ ንሱን ዘርኡን ተወንጨፉ፡ ናብ ዘይፈልጥዎ ሃገርስ
ተደርበዩ [29] ኣቲ ሃገር፡ ኣቲ ሃገር፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዒ። [30] ሓደ እኳ ኻብ ዘርኡ ርህይዎ ኣብ ዝፋን
ዳዊት ዚቕመጥ፡ ኣብ ይሁዳ ኸኣ ዚነግስ የልቦን እሞ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ ኸም መኻን፡ ብዕለቱ ኸም
ዘይረሀዎ ሰብ ኢልኩም ጽሐፉ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 23

[1] እቶም ነባጊዕ መጓሰይ ዜጥፍኡን ዚዘርውን ጓሶት ወይለኦም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [2] ስለዚ ብዛዕባ
እቶም ንህዝበይ ዚጓስዩ ጓሶትሲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነባጊዔይ
ዝዘሮኽምወንንን ዘባረርኩምወንን ግደን ዘይገበርኩምን ንስኻትኩም ኢኹም። እንሆ፡ ብሰሪ እከይ
ተግባርኩም ከኣ ክቐጽዓኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [3] ኣነ ኸኣ ነተን ካብ ኣባጊዔይ ዝተረፋ ኻብቲ
ዝሰጐጕክወን ኩሉ ሃገር ክእክበን፡ ናብ መጓስኤን ድማ ክመልሰን እየ፡ ኪፈርያን ኪበዝሓንውን እየን። [4]
ዚጓስይወን ጓሶት ከተንስኣለን እየ፡ ድሕርዚ ኸኣ ኣይኪፈርሃን ኣይኪስምብዳን ገለ እኳ ኣይኪስእናን
እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። [5] እንሆ፡ ንዳዊት ጻድቕ ጨንፈር ዘተንስኣለን መዓልትታት ይመጻ ኣለዋ።
ንሱ ነጊሱ ኺገዝእ፡ ኪቐንዖ ድማ እዩ፡ ኣብታ ሃገር ከኣ ፍርድን ጽድቅን ኬውጽእ እዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [6] ብዘመኑ ይሁዳ ኺድሕን፡ እስራኤል ድማ ኣስተርሕዩ ኪነብር እዩ። ዚስመየሉ ስም ከኣ፡
እግዚኣብሄር ጻድቅና እዩ፡ ኪኸውን እዩ። [7-8] ስለዚ እንሆ፡ እቲ ንደቂ እስራኤል ካብ ሃገር ግብጺ
ዘውጽኤ እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ዘይባህለሉ ዘመን፡ ግናኸ እቲ ንዘርኢ ቤት እስራኤል ካብ ሃገር
ሰሜንን ካብቲ ሰጕጐዮም ዝነበርኩ ዂሉ ሃገርን ዘውጽኤን ዝመርሔን እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡
ዚበሀለሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ኣብ ሃገሮምውን ኪነብሩ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [9] ብዛዕባ ነብያት፡፡
ልበይ ኣብ ውሽጠይ ተጓእ ይብል፡ ኩሉ ዓጻጽምተይ ራዕራዕ ይብል ኣሎ። ብምኽንያት ቅዱስ ቃላቱን
ከም ስኹርን ከምቲ ወይኒ ዝመለኾ ሰብኣይን ኰንኩ። [10] እታ ሃገር ብዘመውቲ መሊኣ ኣላ፡ ብሰሪ
መርገም ከኣ እታ ሃገር ትሐዝን ኣላ፡ መጓሰዩ በረኻ ነቕጸ። ጕያኦም እኩይ እዩ፡ ሓይሎም ከኣ ሰናይ
ኣይኰነን። [11] ነብያትን ካህናትን ረኺሱ፡ ኣብ ቤተይ እኳ እከዮም ረኸብኩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [12] በታ
ዝዝክሮም ዓመትሲ መዓት ከውርደሎም እየ እሞ፡ ስለዚ መገዶም ኣብ ጸልማት ከም ስፍራ መንደልህጾ
ኽትኰኖም እየ፡ ኣብኣ ተደፊኦም ኪወድቁ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [13] ኣብ ነብያት ሰማርያ ድማ
ዕሽነት ርኤኩ፡ ብስም በዓል ተነበዩ፡ ንህዝበይ እስራኤል ኣስሐቱ። [14] ኣብ ነብያት የሩሳሌም ከኣ ዜሰክሕ

ርኤኩ፡ የመንዝሩ፡ ብሓሶት ይመላለሱ፡ ሓደ እኳ ኻብ እከዩ ኽይምለስ፡ ኢድ እቶም እኩያት የጽንዑ
ኣለው። ኩላቶም ከም ሶዶም፡ እቶም ኣብኣ ዚነብሩ ድማ ኸም ጎሞራ ኰኑኒ። [15] ስለዚ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ብዛዕባ እቶም ነብያት፡ ካብቶም ነብያት የሩሳሌም ረሲእነት ኣብ ኲላ እታ ሃገር
ተዘርጊሑ እዩ እሞ፡ እንሆ፡ ዕረ ኽብልዖም፡ ማይ ስሚ ኸኣ ከስትዮም እየ፡ ይብል ኣሎ። [16] እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቶም ዚንበዩልኩም ዘለዉ ነብያትሲ ኸንቱነት እዮም ዚምህሩኹም
ዘለዉ፡ ራእይ ልቦም እምበር፡ እቲ ኻብ ኣፍ እግዚኣብሄር ዝወጸ ኣይኰነን ዚነግሩኹም ዘለዉ እሞ፡
ቃላቶም ኣይትስምዑ። [17] ንሳቶም ከኣ ነቶም ዚንዕቁኒ ዘለዉ ኹሉ ጊዜ፡ እግዚኣብሄርሲ ደሓን
ኪኾነልኩም እዩ፡ ኢሉ ኣሎ፡ ነቶም ብትሪ ልቦም ዚመላለሱ ኹላቶም ድማ፡ ገለ ኽፉእ
ኣይኪወርደኩምን እዩ፡ ይብልዎም ኣለው። [18] ቃሉ ኺርእን ኪሰምዕን ኣብ ምኽሪ እግዚኣብሄር ዝወዐለ
መን እዩ ጽን ኢሉ ቓሉ ዝሰምዔኸ መን እዩ [19] እንሆ፡ ህቦብላ እግዚኣብሄር፡ እቲ ነድሩ ኸም ዘራጊቶ
ይወጽእ ኣሎ፡ ኣብ ርእሲ እቶም ረሲኣን ድማ ኪወድቕ እዩ። [20] ቍጥዓ እግዚኣብሄር ሓሳባት ልቡ
ኽይገበረን ከይፈጸመንሲ ኣይኪምለስን እዩ። ኣብ ዳሕሮት መዓልትታት ኣጸቢቕኩም ከተስተውዕልዎ
ኢኹም። [21] ነዞም ነብያት እዚኣቶም ኣይለኣኽክዎምን ግናኸ ጐየዩ፡ ኣነስ ኣይተዛረብክዎምን ግናኸ
ንሳቶም ተነበዩ። [22] ኣብ ምኽረይ ውዒሎም ነይሮም እንተ ዚኾኑስ፡ ቃላተይ ንህዝበይ መስምዕዎም፡
ካብቲ ኽፉእ መገዶምን ካብ እከይ ግብሮምን ከኣ ምመለስዎም ነይሮም። [23] ካንዶ ናይ ቀረባ ኣምላኽ
ጥራይ እየ፡ ናይ ርሑቕ ኣምላኽሲ ኣይኰንኩንዶ ይብል እግዚኣብሄር። [24] ኣነ ኸይርእዮስ ሰብዶ ኣብ
ስዉር ስፍራ ኺሕባእ ይከኣሎ እዩ ይብል እግዚኣብሄር። ሰማይን ምድርን ዝመልእዶ ኣነ ኣይኰንኩን
ይብል እግዚኣብሄር። [25] ነቲ ሐሊመ፡ ሐሊመ እናበሉ፡ እቶም ብስመይ ሓሶት ዚንበዩ ነብያት ዝበልዎ
ሰማዕኩ። [26] እዝስ ኣብ ልቢ እቶም ሓሶት ዚንበዩ ነብያት፡ ነብያት ጥበራ ልቦም፡ ክሳዕ መኣዝ ኪጸንሕ
እዩ [27] ከምቲ ኣቦታቶም ምእንቲ በዓል ንስመይ ዝረስዕዎ፡ ንሳቶም በቲ ንሓድሕዶም ዚዛራረቡሉ
ሕልምታቶምዶ ንህዝበይ ስመይ ኬረስዕዎ ይሐስቡ ኣለዉ [28] እቲ ሕልሚ ዝሐለመ ነብዪ ሕልሚ
ይዛረብ፡ እቲ ቓለይ ዘለዎ ኸኣ ብሓቂ ቓለይ ይንገር። ሓሰር ምስ እኽሊ እንታይ ኣለዎ ይብል
እግዚኣብሄር። [29] ቃለይዶ ኸም ሓውን ከምቲ ንኸውሒ ሓሸምሽም ዜብል ሞደሻን ኣይኰነን ይብል
እግዚኣብሄር። [30] ስለዚ እንሆ፡ ነቶም ንሓድሕዶም ቃለይ ዚሳረቑ ነብያት እጥልቐሎም ኣሎኹ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [31] እንሆ፡ ነቶም ልሳኖም ኣልዒሎም፡ ይብል ኣሎ፡ ዚብሉ ነብያት እጥልቐሎም ኣሎኹ፡
ይብል እግዚኣብሄር። [32] እንሆ፡ ነቶም ሕልሚ ሓሶት ዚንበዩ፡ ንህዝበይ ከኣ እናተዛረቡ ብሓሶቶምን
ብድፍረቶምን ዜስሕቱ ነብያት እጥልቐሎም ኣሎኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ኣነስ ኣይለኣኽክዎምን፡
ኣይኣዘዝክዎምን፡ ነዚ ህዝቢ እዚ ድማ ዚዐብሱሉ የብሎምን፡ ይብል እግዚኣብሄር። [33] እዚ ህዝቢ እዚ
ወይ ነብዪ ወይ ካህን፡ ጾር እግዚኣብሄር እንታይ እዩ፡ ኢሎም እንተ ሐተቱኻ፡ ንስኻ ኸኣ፡ ኣየናይ ጾር
እሞ፡ ኢልካ ምለሰሎም። ኣነ ኽድርብየኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [34] ነቲ፡ ጾር እግዚኣብሄር፡ ዚብል
ነብይን ካህንን ህዝብን፡ ነዚ ሰብኣይ እዝን ንቤቱን ክቐጽዖም እየ። [35] ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ፡ ነፍሲ ወከፍ
ንሓዉ፡ እግዚኣብሄር እንታይ ኢሉ እዩ ዝመለሰ እግዚኣብሄርሲ እንታይ እዩ እተዛረበ ደኣ በሉ። [36]
ንቓላት ህያው ኣምላኽ፡ ናይቲ ኣምላኽና እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ስለ ዝጠዋኹምዎ፡ ንነፍሲ
ወከፍ ቃሉ ጾሩ ኪኾኖ እዩ እሞ፡ ድሕርዚ ጾር እግዚኣብሄር ኣይትበሉ። [37] ንነብዪ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር
እንታይ ኢሉ እዩ ዝመለሰልካ እግዚኣብሄርሲ እንታይ እዩ ዝበለ ኢልካ በሎ። [38] ግናኸ ጾር እግዚኣብሄር
እንተ በልኩም፡ ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ኢሉ ይዛረብ ኣሎ፡ ጾር እግዚኣብሄር ከይትብሉ ልኢኸ
ነጊረኩም ክነሰይ፡ እዛ ጾር እግዚኣብሄር እትብል ቃል ካብ እተውስኡ፡ [39] ስለዚ እንሆ፡ ብጥራስ

ክርስዓኩም፡ ንኣኻትኩምን ነታ ንኣኻትኩምን ነቦታትኩምን ዝሀብክዋ ኸተማን ካብ ገጸይ ኣርሒቐ
ኽድርብየኩም እየ። [40] ናይ ዘለኣለም ነውርን ዘይርሳዕ ናይ ዘለኣለም ሓፍረትን ኸውርደልኩም እየ።

## ምዕራፍ 24

[1] ናብከድናጾር ንጉስ ባቢሎን ንኢኮንያስ፡ ወዲ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ፡ ምስ መሳፍንቲ ይሁዳን ጾረብትን
ሰራሕቲ ሓጻውንን ካብ የሩሳሌም ማሪኹ ናብ ባቢሎን ምስ ኣግዐዞም፡ እንሆ፡ እግዚኣብሄር በለስ
ዝመልኣ ኽልተ መሶብ፡ ኣብ ቅድሚ መቕደስ እግዚኣብሄር እተነብራ፡ ኣርኣየኒ። [2] እታ ሓንቲ መሶብ፡
ከምቲ ፍልም ዝበሰለ በለስ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ በለስ ነበራ፡ እታ ሓንቲ መሶብ ድማ ምብላዑ ዘይከኣል ኣዝዩ
ሕማቕ በለስ ነበራ። [3] ሽዑ እግዚኣብሄር፡ ኤርምያስ፡ እንታይ ትርኢ ኣሎኻ በለኒ። ኣነ ድማ፡ በለስ፡ እቲ
ጽቡቕ በለስ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ፡ እቲ ሕማቕ ከኣ ብምሕማቑ ኺብላዕ ክሳዕ ዘይከኣል ኣዝዩ ሕማቕ እዩ፡
ኢለ በልኩ። [4] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ፡ [5] እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ኣነ ነቶም ካብ እዚ ስፍራ እዚ ናብ ሃገር ከለዳውያን ዝሰደድክዎም ምሩኻት ይሁዳ፡ ከምቲ
ጽቡቕ በለስ ገይረ፡ ባህ ኢሉኒ ኽጥምቶም እየ። [6] ባህ ኢሉኒ ኣዒንተይ ናባታቶም ከብለን እየ፡ ናብዛ ሃገር
እዚኣውን ከመልሶም እየ። ክሀንጾም እየ እሞ ኣይከፍርሶምን፡ ክተኽሎም እየ እሞ ኣይክምንቀሶምን
እየ። [7] እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡንስ፡ ልቢ ኽህቦም እየ፡ ብምሉእ ልቦም ናባይ ኪምለሱ እዮም
እሞ፡ ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ። [8] ኣነ ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳን
ንመሳፍንቱን ነቶም ኣብዛ ሃገር እዚኣ ዝተረፉ ኣብ ሃገር ግብጺ ኸኣ ዚነብሩ ዘለዉ ትርፊ የሩሳሌም፡
ከምቲ ሕማቕ ኪብላዕ ክሳዕ ዘይከኣል ኰይኑ ዝሐመቐ በለስ ከምኡ ኽገብሮም እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [9] ኣብቲ ኣነ ዝሰጐጕክዎም ኲሉ ስፍራታት ከኣ ንጸርፍን ንመመሰልን ንመላገጽን
ንመርገምን ኪኾኑ፡ ኣብ ኲሉ መንግስትታት ምድሪ ንመከራን ንስቓይን ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ። [10]
ካብታ ንኣታቶም ነቦታቶምን ዝሀብክዋ ምድሪ ኽሳዕ ዚጠፍኡ፡ ሰይፍን ጥሜትን ፌራን ክሰደሎም እየ።

## ምዕራፍ 25

[1-2] ኣብ ራብዐይቲ ዓመቱ ንዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ንነብካዱነጻር ንጉስ ባቢሎን ከኣ
ቀዳመይቲ ዓመቱ፡ ብዛዕባ ዅሎም ህዝቢ ይሁዳ ናብ ኤርምያስ ዝመጸ፡ ነብዩ ኤርምያስ ድማ ንዅሉ
ህዝቢ ይሁዳን ንዅላቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ከምዚ ኢሉ ዝኣወጀ ቓል እዚ እዩ፡ [3] ካብ መበል
ዓሰርተው ሰለስተ ዓመቱ ንዮስያስ፡ ወዲ ኣሞን ንጉስ ይሁዳ፡ ክሳዕ ሎሚ፡ በዘን ዕስራን ሰለስተን ዓመት
ቓል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ፡ ኣነውን ነገርኩኹም፡ ኣንገንጊሄ ነገርኩኹም፡ ንስኻትኩም ግና
ኣይሰማዕኩምን። [4] እግዚኣብሄር ከኣ ንዅሎም እቶም ግዙኣቱ ነብያት ለኣኾም፡ ኣንገንጊሁ ለኣኾም፡
ንስኻትኩም ግና ኣይሰማዕኩምን፡ ክትሰምዑ ኢልኩምውን ኣእዛንኩም ኣይጸሎኹምን። [5] ንሳቶም ከኣ
በሉ፡ ኣብታ እግዚኣብሄር ንኣኻትኩምን ነቦታትኩምን ንዘለኣለም ኣለም ዝሀባ ምድሪ ኽትነብሩስ፡ ነፍሲ
ወከፍኩም ካብ እኩይ መገድኹምን ካብ እከይ ግብርኹምን ተመለሱ። [6] ከተምልኽዎምን
ክትሰግዱሎምን ኢልኩም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኣይትስዐቡ፡ ብግብሪ ኣእዳውኩም ኣይተኹርዩኒ፡
ኣነውን ክፉእ ኣይክገብረኩምን እየ። [7] ግናኸ ንጕድኣትኩም ደኣ ብግብሪ ኣእዳውኩም ኣኲሬኹምኒ
እምበር ኣይሰማዕኩምንን፡ ይብል እግዚኣብሄር። [8] ስለዚ ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንቓላተይ

ስለ ዘይሰማዕኩም፡ 9 እንሆ ንዅሎም ዓሌታት ሰሜንን ንነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ግዙኤይን ኪነቕሉ
ኽልእከሎም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ናብ እዛ ሃገር እዚኣን ናብቶም ዚነብርዋን ናብቶም ኣብ ከባቢኣ
ዘለዉ ዅላቶም ዚነብርዋን ናብቶም ኣብ ከባቢኣ ዘለዉ ዅላቶም ህዝብታትን ከምጽኦም እየ። ብጥራስ
ከጥፍኦም እየ፡ ንመሰክሕን መላገጽን ንናይ ዘለኣለም ምድረ በዳን ከኣ ከገብሮም እየ። 10 ካባታቶም ድማ
ድምጺ ሓጐስን ድምጺ እልልታን ድምጺ መርዓውን ድምጺ መርዓትን ሓጒጒ ምባል መጥሓንን ብርሃን
ቀንዴልን ከጥፍእ እየ። 11 ኵላ እዛ ሃገር እዚኣ ድማ ክትባድምን ክትዖኑን እያ፡ እዞም ህዝብታት
እዚኣቶም ከኣ ሰብዓ ዓመት ንንጉስ ባቢሎም ክግዝኡ እዮም። 12 እተን ሰብዓ ዓመት ምስ መልኣ ድማ፡
ንንጉስ ባቢሎንን ነቲ ህዝቢ እትን ክቐጽዖም እየ፡ ንሃገር ከለዳውያን ከኣ ብሰሪ ኣበሳኦም ንሓዋሩ
ኽባድማ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 13 ነቲ ብዛዕባ እዛ ሃገር እዚኣ እተዛረብክዎ ዅሉ ቓላትን፡ ነቲ ኣብ
እዚ መጽሓፍ እዚ ተጻሒፉ ዘሎ ዅሉ፡ ኤርምያስ ከኣ ኣብ ኲሎም እቶም ህዝብታት እተነበዮን ኣብዛ
ሃገር እዚኣ ተስፋ ኽምጽእ እየ። 14 ንኣታቶም ድማ ብዙሓት ህዝብን ዓበይቲ ነገስታትን ኪገዝእዎም
እዮም፡ ኣነውን ከም ተግባሮምን ከም ግብሪ ኢዶምን ክፈድዮም እየ። 15 እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል፡ እንካ እዛ ጽዋእ ናይ ቍጥዓ ወይኒ ኻብ ኢደይ ውሰዳ እሞ ነቶም ኣነ ናብኦም ዝልእከካ
ህዝብታት ኲሎም ኣስትዮም፡ 16 ኪሰትዩን ሰንከልከል ኪብሉን፡ ብሰሪ እቲ ኣነ ዝሰደሎም ሰይፊ ኸኣ
ኪዕብዱን እዮም፡ በለኒ። 17 ኣነ ድማ ነታ ጽዋእ ካብ ኢድ እግዚኣብሄር ወሰድክዋ እሞ ነቶም
እግዚኣብሄር ናብኦም ዝለኣኸኒ ህዝብታት ኲሎም ኣስቴኽዎም፡ 18 ከምቲ ሎሚ ዄይንዎ ዘሎ፡
ንምድረበዳን ንመሰክሕን ንመላገጽን ንመርገምን ምእንቲ ክዀኑ፡ ንየሩሳሌምን ንኸተማታት ይሁዳን
ንነገስታታን መሳፍንታን፡ 19 ንፈርኦን ንጉስ ግብጽን ንገላውኡን ንመሳፍንቱን ንዅሉ ህዝቡን፡ 20
ንዅሎም ሕውስዋስ ህዝብን ንዅሎም ነገስታት ሃገር ፍልስጥኤምን ንኣስቃሎንን ንጋዛን ንዔቅሮንን
ንተረፍ ኣሽዶድን፡ 21 ንኤዶምን ንሞኣብን ንደቂ ዓሞንን፡ 22 ንዅሎም ነገስታት ጢሮስን ንዅሎም
ነገስታት ደሴታትን፡ 23 ንዴዳንን ንቴማን ንቡዝን ነቶም ጸጒሮም ወሰነ ወሰን ዚላጽዩ ዅሎምን፡ 24
ንዅሎም ነገስታት ዓረብን ንዅሎም ነገስታት እቶም ኣብ ምድረ በዳ ዚነብሩ ህውስዋስ ህዝብታትን፡ 25
ንዅሎም ነገስታት ዚምርን ንዅሎም ነገስታት ዓረብን ንዅሎም ነገስታት ዔላምን ንዅሎም ነገስታት
ሜዶንን፡ 26 ንዅሎም ነገስታት ሰሜንን፡ ንዝረሐቑን ንዝቐረቡን፡ ነዝን ነትን፡ ንዅሎም ኣብ ዝባን ምድሪ
ዘለዉ መንግስታት ዓለምን ኣስቴኽዎም፡ ንጉስ ሺወኽ ድማ ድሕሪኦም ኪሰቲ እዩ። 27 ንስኻ ኸኣ፡
እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ስተዩ፡ ስኸሩ፡ ትፍኡ፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣነ
ዝሰደልኩም ሰይፊ ኸኣ ውደቑ እሞ መሊስኩም ኣይትተንስኡ፡ ይብል ኣሎ፡ ክትብሎም ኢኻ። 28
ከይሰተዩ ድማ ነታ ጽዋእ ካብ ኢድካ ምቕባል እንተ ኣበዩ፡ እግዚኣብሄር ጎይታ ሰራዊት፡ ምስታይሲ
ኽትሰትዩ ኢኹም፡ ይብል ኣሎ፡ ክትብሎም ኢኻ። 29 እንሆ፡ በታ ስመይ እተሰምየት ከተማ ምቕጻዕ
እጅምር ኣሎኹ፡ እሞኽ ንስኻትኩምዶ ኽይተቐጻዕኩም ክትተርፉ ኢኹም። ኣብ ምድሪ ንዚነብሩ
ዅላቶም ሰይፊ ኽጽውዓሎም እየ እሞ፡ ከይተቐጻዕኩምሲ ኣይክትተርፉን ኢኹም፡ ይብል እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት። 30 ስለዚ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር ካብ ላዕሊ ኺጭድር፡ ካብቲ ቅዱስ ስፍራኡ ኸኣ ድምጹ
ኼስምዕ፡ ንመጓሲኡ ኣበርቲዑ ኺጭድረሉ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ዅላቶም ድማ ከም ጭድርታ
ረገጽቲ ወይኒ ይጭድረሎም ኣሎ፡ ኢልካ ዅሉ እዚ ቓላት እዚ ተነበየሎም። 31 እግዚኣብሄር ምስ
ህዝብታት ነገር ገይሩ ስጋ ንዝለበሰ ዅሉ ኸኣ ኪፈርድ እዩ እሞ፡ እቲ ህማም ክሳዕ ወሰን ምድሪ
ኺበጽሕ እዩ። ነቶም ረሲኣን ድማ ንኣደዳ ሰይፊ ኺምጥዎም እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 32 እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ መዓት ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ ኺሓልፍ፡ ብርቱዕ ህቦብላ ኸኣ

ካብ ወሰን ምድሪ ኺለዐል እዩ። [33] በታ መዓልቲ እቲኣ እቶም ቅቱላት እግዚኣብሄር ካብ ወሰን ምድሪ
ኽሳዕ ወሰን ምድሪ ለም ኪብሉ እዮም። ኣብ ዝባን ምድሪ ንድኹዒ ኪኾኑ እዮም እምበር፡
ኣይኪብከዮምን እዩ፡ ኣይኪእከቡን ኣይኪቕበሩን ድማ እዮም። [34] እተን እትሕረዱለን መዓልታት
በጺሔን እየን፡ ኣነ ኸሰባብረኩም እየ፡ ከም ክብርቲ ኣቕሓውን ክትወድቁ ኢኹም እሞ፡ ኣቱም ጓሶት፡
ዋይዋይ በሉን ጨርሑን፡ ኣቱም መራሕቲ መጓሰ፡ ኣብ ሓመድ ጠንቀላዕላዕ በሉ። [35] እቶም ጓሶት
ምህዳም ኪስእኑ፡ እቶም መራሕቲ መጓሰ ድማ ኣይኬምልጡን እዮም። [36] እግዚኣብሄር ነቲ ዚጓሰዩሉ
ምድሪ የጥፍኦ ኣሎ እሞ፡ ናይ ጓሶት ዋይዋይ ምባልን ናይቶም መራሕቲ መጓሰ ኣውያትን ይስማዕ ኣሎ።
[37] ካብ ነድሪ ቍጥዓ እግዚኣብሄር እተላዕለ እታ ማሕደር ሰላም ትጽሙ። [38] ካብ ጭከና ሰይፍን ካብ
ነድሪ ቍጥዓኡን እተላዕለ ሃገሮም ባዲማ እያ እሞ፡ ከም ኣንበሳ ነታ መሕብኢኡ ሐደጋ።

# ምዕራፍ 26

[1] ኣብ መጀመርታ መንግስቲ ዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ እዚ ኽምዚ ዚብል ቃል ካብ
እግዚኣብሄር መጸ፡ [2] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብቲ ኣጸድ ቤት እግዚኣብሄር ቁም እሞ ንኹለን
እተን ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኪሰግዳ ዚመጻ ኸተማታት ይሁዳ እዚ ኣነ ኽትነግረን ኢለ ዝእዝዘካ ዘለኹ
ኹሉ ቓላት፡ ሓንቲ ቓል እኳ ኸየጕደልካ ንገረን። [3] ምናልባሽ እንተ ሰምዑ፡ ነፍሲ ወከፎም ከኣ ካብ
እኩይ መንገዱም እንተ ተመልሱ፡ ኣነውን እቲ ብሰሪ እኩይ ግብሮም ከውርደሎም ኢለ ዝኣመምክዎ
መዓት ክጥዐሰሉ እየ። [4] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ኸኣ ንገሮም፡ በቲ ኣብ ቅድሜኹም
ዘንበርክዎ ሕገይ ክትመላለሱ እንተዘይሰማዕኩምኒ፡ [5] ንቓላት እቶም ክትሰምዑ ኢለ ናባኻትኩም
ዝልእኮም ዘሎኹ፡ ኣንገንጊሄ ዝለኣኽኩልኩም ግዙኣተይ ነብያት፡ ንስኻትኩምሲ ኣይሰማዕኩምን፡ [6] ኣነ
ድማ ነዛ ቤት እዚኣ ኸም ሲሎ ኽገብራ እየ፡ ነዛ ኸተማ እዚኣውን ንኹላቶም ህዝብታት ምድሪ
ንመራገሚ ኽገብራ እየ። [7] ካህናትን ነብያትን ኲሉ ህዝብን ከኣ ኤርምያስ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር እዘን
ቓላት እዚኤን ኪዛረብ ከሎ ሰምዑ። [8-9] ኰነ ኸኣ፡ ኤርምያስ እቲ እግዚኣብሄር ንኹሉ ህዝቢ ኺነግሮ
ኢሉ ዝኣዘዞ ኹሉ ተዛሪቡ ምስ ወድኤ፡ ካህናትን ነብያትን ኲሉ እቲ ህዝብን፡ ስለምንታይ እዛ ቤት
እዚኣ ኸም ሲሎ ኽትከውን እያ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ድማ ዚነብረላ ዜብላ ኾይና ኽትያኑ እያ፡ ኢልካ
ብስም እግዚኣብሄር እተነበኻ፡ ኢሎም፡ ሞት ክትመውት ኢኻ፡ እናበሉ ሐዝዎ። ኲሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ
ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ ኤርምያስ ዐጐጎ። [10] እቶም መሳፍንቲ ይሁዳ እዚ ነገር እዚ ምስ ሰምዑ፡
ካብ ቤት ንጉስ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ደየቡ፡ ኣብ ኣፍ እታ ሓዳስ ደገ ቤት እግዚኣብሄር ከኣ ተቐመጡ።
[11] እቶም ካህናትን ነብያትን ድማ ነቶም መሳፍንትን ንኹሉ እቲ ህዝብን፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ነዛ ኸተማ
እዚኣ፡ ከምቲ በእዛንኩ ዝሰማዕኩዎ፡ ተነብዩላ እዩ እሞ፡ ሞት ይግብኦ፡ ኢሎም ተዛረብዎም። [12]
ኤርምያስ ድማ ንኹሎም መሳፍንትን ንኹሉ እቲ ህዝብን፡ እቲ ብዛዕባ እዛ ቤት እዚኣን ብዛዕባ እዛ
ኸተማ እዚኣን ዝሰማዕኩምዎ ኹሉ ቓላትሲ፡ እግዚኣብሄር እዩ ኸንበዮ ዝለኣኸኒ፡ ኢሉ ተዛረቦም። [13]
እምበኣርሲ ኣኻይዳኹምን ግብርኹምን ኣሕሹ፡ ድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ድማ ስምዑ፡
እግዚኣብሄር ከኣ እቲ ኣባኻትኩም እተዛረቦ መዓት ኪጥዐሰሉ እዩ። [14] ኣነስ እኔኹ ኣብ ኣእዳውኩም እየ፡
ጽቡቕን ቅኑዕን ኰይኑ እተራእየኩም ግበሩኒ። [15] ብሓቂ እግዚኣብሄር እዩ ኹለን እዘን ቓላት እዚኤን ኣብ
ኣእዛንኩም ክነግረን ዝለኣኸኒ እሞ፡ እንተ ቐተልኩምኒ፡ ንጹህ ደም ኣብ ርእስኹምን ኣብዛ ኸተማ
እዚኣን ኣብቶም ኣብኣ ዚነብሩን ከም እተውርዱ ኣርጊጽኩም ፍለጡ። [16] ሽዑ እቶም መሳፍንትን ኲሉ

እቲ ህዝብን ነቶም ካህናትን ነብያትን፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ እተዛረበና
እሞ፡ ሞት ኣይግብኦን እዩ፡ በልዎም። [17] ካብቶም ሽማግሌታት እታ ሃገር ከኣ ተንሲኦም ንኹሉ እቲ
ኣኼባ ህዝቢ ኸምዚ ኢሎም ተዛረብዎ፡ [18] ሚካ ሞራሽታይ ብዘመን ህዝቅያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ጽዮን ከም
ግራት ክትሕረስ፡ የሩሳሌም ኩምራ እምኒ ኽትከውን፡ እቲ ደብሪ መቕደስ ከኣ ኩርባ ዱር ኪኸውን
እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኢሉ ተነብዩ ንኹሉ ህዝቢ ይሁዳ ነገሮ። [19] ህዝቅያስ ንጉስ
ይሁዳን ኩሎም ይሁዳንዶ ኣቕቲሎምዎ እዮም፡ ንእግዚኣብሄር ፈሪሁዶ ኣይኰነን ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር እተማህለለ፡ እግዚኣብሄርሲ እቲ ጠሊቖሎም ዝነበረ መዓትዶ ኣይተጣዕሰሉን፡ ንሕና ኸኣ
ከምኡ ኣብ ነፍስና ዓብዪ መዓት መውረድና። [20] ሓደ ብስም እግዚኣብሄር እተነበየ ሰብኣይ፡ ኡርያ፡ ወዲ
ሽማዕያ ብዓል ቂርያት  የሪዓም፡ ነበረ። ንሱ ኸኣ ከም ኩለን ቃላት ኤርምያስ ገይሩ፡ ነዛ ኸተማ እዚኣን
ነዛ ሃገር እዚኣን ተነበየለን። [21] ንጉስ ዮኣቂምን ኩሎም ጀጋኑኡ ኩሎም መሳፍንቱን ቃላቱ ምስ ሰምዑ፡
እቲ ንጉስ ኪቕትሎ ደለየ። ኡርያ ምስ ሰምዖ ግና፡ ፈርሄ፡ ሀዲሙ ኸኣ ናብ ግብጺ ኸደ። [22] ሽዑ ንጉስ
ዮኣቂም ናብ ግብጺ ሰባት ለኣኸ።ንኤልናታን ወዲ ኣክቦር:ምስኡ ኸኣ ሓያሎ ሰባት ገይሩ ናብ ግብጺ
ለኣኾ:: [23] ንሳቶም ድማ ንኡርያ ኻብ ግብጺ ኣውጽእዎ፡ ናብ ንጉስ ዮኣቂም ከኣ ኣምጽእዎ። ንሱ ድማ
ብሰይፊ ወቕዖ፡ ሬሳኡውን ኣብቲ መቓብር ማንም ህዝቢ ደርበዮ። [24] ንኤርምያስ ኪቐትልዎ ኢሎም ኣብ
ኢድ እቲ ህዝቢ ኣሕሊፎም ከይህብዎ ግና፡ ኢድ ኣሂቃም ወዲ ሻፋን ምስኡ ነበረት።

# ምዕራፍ 27

[1] ኣብ መጀመርታ መንግስቲ ዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ እዚ ኸምዚ ዚብል ቃል ካብ
እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ [2] እግዚኣብሄር ከምዚ በለኒ፡ መእሰርን ኣርዑትን ንኣኻ ግበር እሞ ኣብ
ክሳድካ ኣእትዎ። [3] ንእኡ ኸኣ ናብ ንጉስ ኤዶምን ናብ ንጉስ ሞኣብን ናብ ንጉስ ደቂ ዓሞንን ናብ ንጉስ
ጢሮስን ናብ ንጉስ ሲዶንን በቶም ናብ ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ናብ የሩሳሌም ዝመጹ ልኡኻት ጌርካ
ስደዶ። [4] እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢሎም ንጐይተቶም
ኪነግርዎም ኣዝዞም፡ ንጐይተትኩም ከምዚ በልዎም፡ [5] ኣነ እየ፡ በቲ ዓብዪ ስልጣነይን በታ ዝርግሕቲ
ቕልጽመይን ገይረ፡ ንምድርን ነቶም ኣብ ዝባን ምድሪ ዚነብሩ ሰብን እንስሳን ዝገበርኩ፡ ቅኑዕ ኰይኑ
ንዝተራእየኒ ድማ እየ ዝህባ። [6] እምበኣርሲ ኹለን እዘን ሃገራት እዚኣተን ኣብ ኢድ ግዙኤይ ነቡካድነጻር
ንጉስ ባቢሎን ሂበየን፡ እንስሳ መሮርውን ኪግዝእዎ ሂበዮ እየ። [7] ኩሎም ህዝብታት ከኣ ንእኡን ንወዱን
ንወዲ ወዱን ኪግዝእዎ እዮም። እዚ ድማ፡ ጊዜ ሃገሩ ኽሳዕ ዘበጽሕ እዩ። ሽዑ ብዙሓት ህዝብታትን
ዓበይቲ ነገስታትን ግዙእ ኪገብርዎ እዮም። [8] ኪኸውን ድማ እዩ። እቲ ንነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን
ዘይግዛእ፡ ክሳዱ ኸኣ ትሕቲ ኣርዑት ንጉስ ባቢሎን ለጠቕ ዘየብል ህዝብን መንግስትን፡ ነቲ ህዝቢ እቲ
ኣነ ብኢዱ ገይረ ኽሳዕ ዘጥፍኦ፡ ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን ክቐጽዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [9-10]
ምእንቲ ኣነ ኽሰጐኩምን ክትጠፍኡንሲ፡ ካብ ሃገርኩም ኬርሕቑኹም ኢሎም እዮም ሓሶት
ዚንበዩልኩም ዘለዉ እሞ፡ ንስኻትኩም ነቶም፡ ንንጉስ ባቢሎን ኣይክትግዝኡን ኢኹም፡ ዚብሉኹም
ነብያትኩምን ዚፈልጡልኩምን ሰብ ኣስማትኩምን ኣይትስምዕዎም። [11] ነቲ ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ንጉስ
ባቢሎን ክሳዱ ለጠቕ ዜብልን ዚግዚኦን ህዝቢ ግና ኣብ ሃገሩ ኽሐድጎ እየ፡ ኪሐርሳን ኣብኣ ኺነብርን
እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [12] ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ድማ ከም ኩለን እዘን ቃላት እዚኣተን ገይረ፡
ክሳውድኹም ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ንጉስ ባቢሎን ለጠቕ ኣብሉ፡ ንእኡን ንህዝቡን ከኣ ተገዝኡ እሞ

ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም፡ ኢለ ነገርክዎ። [13] ስለምንታይ ኢኹም፡ ንስኻን ህዝብኻን፡ ከምቲ
እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ንንጉስ ባቢሎን ዘይተገዝኤ ህዝቢ እተዛረቦ ኼንኩም፡ ብሰይፍን ብጥሜትን
ብፌራን እትሞቱ [14] እቶም ንንጉስ ባቢሎን ኣይክትግዝኡን ኢኹም፡ ዚብሉኹም ነብያትሲ፡ሓሶት እዮም
ዚንበይልኩም ዘለዉ እሞ፡ ቃላቶም ኣይትስምዑ። [15] ኣነ ምእንቲ ኸሰጐኩም፡ ንስኻትኩምን እቶም
ዚንበዩልኩም ነብያትን ድማ ክትጠፍኡስ፡ ብስመይ ሓሶት እዮም ዚንበዩልኩም ዘለዉ እምበር፡ ኣነ
ኣይለአኽክዎምን፡ ይብል እግዚኣብሄር። [16] ንኻህናትን ንዅሉ እዚ ህዝቢ እዝን፡ እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ኢለ ኸኣ ተዛረብኩ፡ እንሆ፡ እቲ ኣቓሑ ቤት እግዚኣብሄር ሕጂ ብቕልጡፍ ካብ ባቢሎን
ኪምለስ እዩ፡ ኢሎም ዚንበዩልኩም ዘለዉ ነብያትኩምሲ፡ ሓሶት እዩ ዚንበዩልኩም ዘለዉ እሞ፡
ቃላቶም ኣይትስምዑ። [17] ኣይትስምዕዎም። ብህይወት ክትነብሩስ፡ ንንጉስ ባቢሎን ደኣ ተገዝኡ።
ስለምንታይ እዛ ኸተማ እዚኣ ትፆኑ፡ [18] ነብያት እንተ ኾይኖም፡ ቃል እግዚኣብሄር ከኣ እንተ ደኣ
ኣልይዎምሲ፡ እዚ ኣብ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ ቤት ንጉስ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌምን ተሪፉ ዘሎ ኣቓሑ
ናብ ባቢሎን ከይውሰድ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ይለምኑ። [19-20] ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን
ንኢኮንያ፡ ወዲ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳን ንዅላቶም ጭዋታት ይሁዳን የሩሳሌምን ካብ የሩሳሌም ናብ
ባቢሎን ኪማርኾም ከሎ፡ ብዛዕባ እቲ ንጉስ ባቢሎን ዘይወሰዶ ኣዕኑድን ባሕርን መናብርን ብዛዕባ እቲ
ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ተሪፉ ዘሎ ኹሉ ኣቓሑን እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ [21]
እምበኣርሲ ብዛዕባ እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄርን ኣብ ቤት ንጉስ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌምን ተሪፉ ዘሎ
ኣቓሑስ እግዚኣብሄር፡ ጎይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ [22] ናብ ባቢሎን ኪውሰድ፡
ክሳዕ ኣነ ዝዝክሮ መዓልቲ ከኣ ኣብኡ ኸጸንሕ እዩ፡ ናብዚ ስፍራ እዚውን ከውጽኦን ክመልሶን እየ፡
ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 28

[1] ኰነ ድማ፡ በታ ዓመት እቲኣ ብመጀመርታ መንግስቱ ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ኣብታ ራብዐይቲ
ዓመት ኣብ ሓምሳይ ወርሒ፡ ሃናንያ፡ ወዲ ነብዩ ዓዙር ብዓል ጊብኦን፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ
ቅድሚ እቶም ካህናትን ኵሉ ህዝብን ከምዚ ኢሉ ተዛረበኒ፡ [2] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ
እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነቲ ኣርዑት ንጉስ ባቢሎን ሰቢረዮ እየ፡ [3] ነቲ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን
ካብዛ ስፍራ እዚኣ ናብ ባቢሎን ዝወሰዶ ኹሉ ኣቓሑ ቤት እግዚኣብሄር ኣብዘን ክልተ ዓመት ናብዛ
ስፍራ እዚኣ ኽምልሶ እየ። [4] ነርዑት ንጉስ ባቢሎን ክሰብሮ እየ እሞ፡ ንኢኮንያ፡ ወዲ ዮኣቂም ንጉስ
ይሁዳን ንዅላቶም ናብ ባቢሎን ዝኸዱ ምሩኻት ይሁዳን ናብዛ ስፍራ እዚኣ ኽመልሶም እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። [5] ሽዑ ነብዩ ኤርምያስ ንነብዩ ሃናንያ ኣብ ቅድሚ እቶም ካህናትን ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ
ቤት እግዚኣብሄር ቈይሙ ዝነበረ ኹሉ ህዝብን መለሰሉ። [6] ነብዩ ኤርምያስ ድማ በለ፡ ኣሜን።
እግዚኣብሄር ይግበሮኸ። እቲ ኣቓሑ ቤት እግዚኣብሄርን ኲላቶም ምሩኻትን ካብ ባቢሎን ናብዛ ስፍራ
እዚኣ ኺምለሱስ፡ ነቲ እተነበኻዮ ቓላትካ እግዚኣብሄር የጽንዓዮ። [7] ግናኸ ነቲ ኣብ እዝንኻን ኣብ እዝኒ
ኹሉ እዚ ህዝቢ እዝን ዝዛረቦ ዘለኹ ቓል ስማዕ፡ [8] እቶም ቅድመይን ቅድሜኻን ካብ ጥንቲ ዝነበሩ
ነብያት ኣብ ብዙሕ ሃገራትን ኣብ ዓበይቲ መንግስታትን ብናይ ውግእን ብናይ መዓትን ብናይ ፌራን
ተነበዩ። [9] እቲ ሰላም ዚንበ ነብዩ፡ ቃል እቲ ነብዩ እቲ ምስ ተፈጸመ እዩ ብሓቂ ነቲ ነብዩ እቲ
እግዚኣብሄር ከም ዝለኣኾ ዚፍለጥ። [10] ሽዑ ነብዩ ሃናንያ ነቲ ኣርዑት ካብ ክሳድ ነብዩ ኤርምያስ ወሲዱ

ሰባበሮ። 11 ሃናንያ ኸኣ፡ ከምዚ ገይረ ነርዑት ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ካብ ክሳድ ኲላቶም ህዝብታት
ኣብዘን ክልተ ዓመት ክሰብሮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኢሉ ኣብ ቅድሚ ዂሉ እቲ ህዝቢ ተዛረበ።
ነብዩ ኤርምያስ ከኣ መገዱ ኸደ። 12 ነብዩ ሃናንያ ነቲ ኣርዑት ካብ ክሳድ ነብዩ ኤርምያስ ወሲዱ ምስ
ሰባበሮ፡ ሽዑ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ 13 ናብ ሃናንያ ኺድ እሞ፡ ኣርዑት
ዕጨይቲ ሰበርካ፡ ኣብ ክንዳኡ ድማ ኣርዑት ሓጺን ክትገብር ኢኻ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 14
ንነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን፡ ምእንቲ ኺግዝኡስ፡ ኪግዝኡ ኸኣ እዮም፡ እንስሳ መሮር እኳ ሂበዮ ኣሎኹ
እሞ፡ ኣርዑት ሓጺን ኣብ ክሳድ ኲሎም እዞም ህዝብታት እዚኦም ኣእትየ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡
ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ኢልካ በሎ። 15-16 ነብዩ ኤርምያስ ከኣ ንነብዩ ሃናንያ፡ ሃናንያ፡ ስማዕ
እግዚኣብሄር ኣይለኣኸካን፡ ንስኻ ግና ነዚ ህዝቢ እዚ ኣብ ሓሶት ክውከል ኣስሐትካዮ። ስለዚ
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ካብ ዝባን ምድሪ ኽርሕቐካ እየ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ዕልወት
ተዛሪብካ ኢኻ እሞ፡ ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኽትመውት ኢኻ፡ ኢሉ ነገሮ። 17 ሽዑ ነብዩ ሃናንያ በታ ዓመት
እቲኣ ኣብ ሳብዓይ ወርሒ ሞተ።

# ምዕራፍ 29

1-2 ንጉስ ኢኮንያን እታ ንግስቲ ኣዲኡን እቶም ሰብ መዋእልን መሳፍንቲ ይሁዳን የሩሳሌምን እቶም
ጸረብትን ሓጻዶን ካብ የሩሳሌም ምስ ወጹ፡ ነቶም ኣብ ምርኮ ዝተረፉ ጭዋታትን ነቶም ካህናትን
ነብያትን ንዂሉ እቲ ነቡካድነጻር ካብ የሩሳሌም ናብ ባቢሎን ዝማረኾ ህዝብን፡ ነብዩ ኤርምያስ ካብ
የሩሳሌም ዝሰደደሎም ቃላት ደብዳበ እዚኣተን እየን። 3 እታ ደብዳበ ብኢድ እቶም ጼድቅያስ ንጉስ
ይሁዳ ናብ ባቢሎን ናብ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ዝለኣኾም ኤልዓሳ፡ ወዲ ሻፋንን ገማርያ ወዲ
ህልቅያን እተላእከት ከምዚ እትብል እያ፡ 4 እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ንዂላቶም
ካብ የሩሳሌም ናብ ባቢሎን ዘማረኽክዎም ምሩኻት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 5 ቤት ስርሑ እሞ ንበሩላ፡
ኣታኽልቲ ትኸሉ እሞ ፍሪኡ ብልዑ። 6 ኣንስቲ ኣእትዉ፡ ኣወዳትን ኣዋልድን ውለዱ። ነወዳትኩምን
ነዋልድኩምን ከኣ ኣተኣታትዉ፡ ንሳቶም ድማ ኣወዳትን ኣዋልድን ይውለዱ። ኣብቲ ዘሎኹምዎ ብዝሑ
እምበር፡ ኣይትውሐዱ። 7 ደሓን እታ ኣነ ናብኣ ዘማረኽኩኹም ከተማ ድለዩ። ብደሓና ደሓን ክትረኽቡ
ኢኹም እሞ፡ ስሊኣ ንእግዚኣብሄር ለምኑ። 8-9 እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ እቶም ኣብ ማእከልኩም ዚነብሩ ነብያትን ጠንቋልትን ብስመይ ሓሶት እዮም ዚንበዩልኩም
ዘለዉ፡ ኣነ ኸኣ ኣይለኣኽክዎምን እሞ፡ ብኣታቶም ኣይትጠበሩ፡ በቲ እተሐልምዎ ሕልምኹምውን
ኣይትተኣመኑ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 10 እግዚኣብሄርሲ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ ንባቢሎን ሰብዓ ዓመት ምስ
መልአ፡ ክዝክረኩም እየ እሞ፡ ናብ እዛ ስፍራ እዚኣ ከም እትምለሱ ገይረ ነቲ ጽቡቕ ቃለይ
ክፍጽመልኩም እየ። 11 ኣነ ዝሐስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡
ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 12 ክትጽውዑኒ፡ መጺእኩም ድማ
ክትልምኑኒ ኢኹም እሞ ክሰምዓኩም እየ። 13 ብምሉእ ልብኹም እንተ ደሌኹምንስ፡ ክትደልዩኒ
ክትረኽቡኒውን ኢኹም። 14 ክርከበልኩም፡ ንምምራኽኩም ክመልሶ፡ ካብ ኲሎም እቶም ናባታቶም
ዝሰጐጕኩኹም ህዝብታትን ስፍራታትን ድማ ክእከበኩም እየ። ናብቲ ኻብኡ ዘማረኽኩኹም
ስፍራውን ክመልሰኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 15 እግዚኣብሄርሲ ኣብ ባቢሎን ነብያት ኣተንሲኡልና
ኣሎ፡ ትብሉ ኣሎኹም። 16 እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቲ ኣብ ዝፋን ዳዊት እተቐመጠ ንጉስን ብዛዕባ እቶም

ምሳኻትኩም ዘይተማረኹ ኣሕዋትኩም፡ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ዚነብር ዘሎ ዅሉ ህዝብን ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ 17 እንሆ፡ ሰይፍን ጥሜትን ፌራን ክሰደሎም እየ፡ ከምቲ ኻብ ምኽፋኡ እተላዕለ ኺብላዕ ዘይክኣል
ሕማቕ በለስ ክገብሮም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 18 ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን
ክሰጎም እየ፡ ኣብ ኲሎም መንግስታት ምድሪ ኸኣ ፋሕ ከብሎም፡ ኣብ ኲሎም እቶም ኣነ ናባታቶም
ዝሰጐጒክዎም ህዝብታት ድማ ንመራገምን ንመስደመምን ንመላገጽን ንመጻረፍን ኪኾኑ ኣሕሊፈ
ኽህቦም እየ። 19 እዚውን ነተን ኣንገንጊሄ እናለኣኽክዎም፡ ብግዙኣተይ ነብያት ገይረ ዝለኣኽወን ቃላተይ
ምስማዕ ስለ ዝኣበዩ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 20 እምበኣርሲ ኣቱም ካብ የሩሳሌም ናብ ባቢሎን
ዝሰደድኩኹም ምሩኻት፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ። 21 ብዛዕባ እዞም ብስመይ ሓሶት ዚንበዩልኩም
ዘለዉ ኣሃብ ወዲ ቆላያን ብዛዕባ ጼድቅያስ ወዲ መኣስያን እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ
እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣነ ኣብ ኢድ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ክምጥዎም እየ፡ ንሱውን
ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ኪቐትሎም እዩ። 22 ካባታቶም ከኣ ኣብቶም ኣብ ባቢሎን ዘለዉ ዅላቶም
ምሩኻት ይሁዳ፡ እግዚኣብሄር ከምቶም ንጉስ ባቢሎን ኣብ ሓዊ ዝጠበሶም ጼድቅያስን ኣሃብን
ይግበርካ፡ ዚብል መራገሚ ኺወጽእ እዩ። 23 ኣብ እስራኤል ዕሽነት ስለ ዝገበሩ፡ ኣብ ኣንስቲ ብጾቶም ስለ
ዝዘመዉ፡ ኣነ ዘይኣዘዝክዎም ቃላት ሓሶት ብስመይ ስለ እተዛረቡ እዩ። ነዚ ኸኣ ኣነ እየ ዝፈልጦ እሞ
ምስክር እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 24 ንሸማዕያ ብዓል ኔሔላም ከምዚ ኢልካ ኽትነግሮ ኢኻ፡ 25
እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ደብዳበ ብስምካ ጽሒፍካ፡
ንዅሉ እቲ ኣብ የሩሳሌም ዘሎ ህዝብን ናብ ጸፋንያ፡ ወዲ መኣኣስያ እቲ ኻህንን ናብ ኲላቶም ካህናትን
ከምዚ ኢልካ ሰደድካ፡ 26 እግዚኣብሄር፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ሓለቓ ኼንካ፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣእምሮኡ
ዘው ዝበሎ እሞ ዚንበ ሰብሲ፡ መቕሓሕ እግርን መንቈርን ክትመልሰሉ ኢሉ፡ ኣብ ክንዲ እቲ ኻህን
ይሆያዳ ካህን ገይሩ ሸሙካ። 27-28 እምበኣርሲ ስለምንታይ ደኣ ነቲ ዚንበየልኩም ዘሎ ንኣና ኸኣ፡ ነዊሕ
ጊዜ ተሪፉ ኣሎ፡ ኣባይቲ ስርሑ እሞ ንበሩሉ፡ ኣታኽልቲ ትኸሉ እሞ ፍሪኡ ብልዑ፡ ኢሉ ናብ ባቢሎን
ዝለኣኸና፡ ኤርምያስ ብዓል ኣናቶት ዘይገናሕካዮ፡ 29 ጸፋንያ እቲ ካህን ከኣ ነዛ ደብዳበ እዚኣኣ ኣብ እዝኒ
ነብዩ ኤርምያስ ኣንበባ። 30 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ ናብ ኤርምያስ መጸ፡ 31 ናብ ኲሎም
እቶም ምሩኻት ልኢኽካ በሎም፡ ብዛዕባ ሸማዕያ ብዓል ኔሔላም እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
ሸማዕያ ኣነ ዘይለኣኽክዎስ፡ ስለ እተነበየልኩም ኣብ ሓሶት ከኣ ስለ ዘወከልኩም፡ 32 ስለዚ እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ዕልወት ተዛሪቡ እዩ እሞ፡ ንሸማዕያ ብዓል ኔሔላምን
ንዘርኡን ክቐጽዖም እየ። ኣብ ማእከል እዚ ህዝቢ እዚ ዚነብር ሓደ እኳ ኣይኪህልዎን እዩ፡ እቲ ኣነ
ንህዝበይ ዝገብረሉ ሰናይ ድማ ኣይኪርእን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 30

1 እቲ ኻብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል ከምዚ ዚብል እዩ፡ 2 እግዚኣብሄር ኣምላኽ
እስራኤል፡ ነዘን ዝነገርኩኻ ቓላት ኲለን ኣብ መጽሓፍ ጽሓፈን፡ ይብል ኣሎ። 3 እንሆ፡ እተን ንህዝበይ
እስራኤልን ይሁዳን ካብ ምርኮ ዝመልሰለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። ናብታ
ነቦታቶም ዝሀብክዋ ሃገር ከኣ ክመልሶም እየ፡ ንሳቶምውን ኪርስተይዋ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 4
እተን እግዚኣብሄር ብዛዕባ እስራኤልን ብዛዕባ ይሁዳን እተዛረበን ቃላት እዚኣተን እየን፡ 5 ከምዚ ይብል
እግዚኣብሄር፡ ናይ ደሓን ዘይኰነስ ድምጺ ረዓድን ስምባድን ሰማዕና እሞ፡ 6 ተባዕታይ ዚወልድ እንተ

ኰነስ፡ ጠይቑን ተምልከቱን። ስለምንታይ ደኣ እየ ኹሎም እቶም ሰብኡት፡ ከምታ ንምውላድ እትጽዕር
ሰበይቲ ኹይኖም፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕቘኦም ገይሮም ኲሉ ገጽውን ተዳሂሉ ዝርኢ ዘለኹ። 7 ወዮ፡ እታ
መዓልቲ እቲኣ ዓባይ እያ እሞ፡ ዚመዓራረያ የልቦን። ንያእቆብ ጊዜ ጸበባኡ እዩ፡ ግናኸ ካብኡ ኺድሕን
እዩ። 8-9 በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፡ ኣርዑቱ ኻብ ክሳድካ ኽሰብር፡ መእሰሪታትካ ድማ ክበትኽ
እየ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኾምን ነቲ ኣነ ዘተንስኣሎም ዳዊት ንጉሶምን ኪግዝኡ እዮም እምበር፡ ድሕሪ
እዝስ ጓኖት ኣይኪገዝእዎን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 10 እምበኣርሲ እንሆ፡ ኣነ ንኣኻ
ኻብ ርሑቕ፡ ንዘርእኻ ድማ ካብቲ እተማረኹሉ ሃገር ከድሕን እየ። ያእቆብ ኪምለስ እዩ። ብዕረፍትን
ህድኣትን ኪትነብር እዩ፡ ዜፍርሆ ኸኣ የልቦን እሞ፡ ኣታ ያእቆብ ባርያይ፡ ኣይትፍራህ፡ ንስኻ
እስራኤልውን ኣይትሰምብድ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 11 ምእንቲ ኸድሕነካስ ኣነ ምሳኻ እየ፡ ነቶም
ናባታቶም ፋሕ ዘበልኩኻ ኹላቶም ህዝብታት ብጥራስ ከጥፍኦም እየ፡ ንኣኻ ግና ብጥራስ
ኣይከጥፍኣካን፡ ብልክዕ ደኣ እየ ዝግስጸካ እምበር፡ ከይቀጻዕኩስ ምንም ኣይሐድገካን እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 12 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ መውቃዕትኺ ዘይሐዊ፡ ቊስልኺ ድማ ብርቱዕ እዩ።
13 ከትስፈፊ ኢሉ፡ ነገርኪ ዚጣበቐልኪ የልቦን፡ ዜሕዊ ፈውሲ ከኣ የብልክን። 14 ብሰሪ ዕቤት ኣበሳኺ፡
ሓጢኣትኪ እናወሰኸ ስለ ዝኸደ፡ ብናይ ጸላኢ መውቃዕቲ፡ ብናይ ጨካን መቕጻዕቲ ገይረ ወቒዔኪ እየ
እሞ፡ ኲሎም ፈተውትኺ ረሲዖምኺ፡ ግድኺ እኳ የብሎምን። 15 ስለምንታይ ኢኺ ብሰሪ
መውቃዕትኺ ኡይ እትብሊ ዘሎኺ ቃንዛኽስ ዘይሐዊ እዩ። ብሰሪ ዕቤት ኣበሳኺ፡ ሓጢኣትኪ እናወሰኸ
ስለ ዝኸደ፡ እዚ ገበርኩኺ። 16 እቶም ዚበልዑኺውን ኪብልዑ፡ ተጻረርትኺ ዘበሉ ኹላቶም ኪማረኹ፡
ኲሎም ገፈፍትኺ ኺግፈፉ እዮም፡ ንኹሎም ዘማቶኺ ድማ ንዘመተ ኽምጥዎም እየ። 17 እታ
ድርብይቲ ሓደ እኳ ግዳ ዘይገብር ጽዮን፡ ኢሎም ሰምዮምኺ እዮም እሞ፡ ኣነ ኸጥዕየኪ ንቘስልኺውን
ከሕውዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 18 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ ንድንኳናት ያእቆብ ካብ
ምርኮ ኽመልስ፡ ነቲ ዚነብረሉ ስፍራታት ከኣ ክድንግጸሉ እየ። እታ ከተማ ድማ ኣብቲ ኹርባታታ
ኽትስራሕ እያ፡ እቲ ኣዳራሽ ከኣ ከምቲ ስርዓቱ መሳፍሮ ኪኸውን እዩ። 19 ካብኦም ድማ ምስጋናን
ድምጺ ሕጉሳትን ኪወጽእ እዩ። ከብዝሖም እየ እሞ ኣይኪውሕዱን፡ ከኽብሮም እየ እሞ ኣይኪዋረዱን
እዮም። 20 ደቆም ከም ቀደም ኪኾኑ እዮም፡ ማሕበሮም ድማ ኣብ ቅድመይ ክትቀውም እያ። ኣነውን
ንኹሎም ጠቃዕቶም ክቐጽዖም እየ። 21 መስፍኖም ካባታቶም ኪኸውን፡ ገዛኢኦም ከኣ ካብ ማእከሎም
ኪወጽእ እዩ፡ መን እሞ እዩ ናባይ ኪቐርብ ኢሉስ ንልቡ ትሕጃ ዝህብ፡ ኣነ ደኣ እየ ዘቐርቦ፡ ንሱውን
ኪቐርበኒ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 22 ንስኻትኩም ህዝቢ ክትኰኑኒ ኢኹም፡ ኣነ ኸኣ ኣምላኽ
ክኾነኩም እየ። 23 እንሆ፡ ናይ እግዚኣብሄር ህቦብላ ነድሩ ይወጽእ፡ እቲ ህቦብላ ኣብ ርእሲ ረሲኣን
ተወንጪፉ ይወርድ። 24 እቲ ርሱን ቍጥዓ እግዚኣብሄር፡ ነቲ ሓሳባት ልቡ ኽይገበረን ከይፈጸመን
ኣይኪምለስን እዩ። ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ክተስተውዕልዎ ኢኹም።

## ምዕራፍ 31

1 በቲ ጊዜ እቲ ኣነ ኣምላኽ ኲላቶም ዓሌት እስራኤል ክኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ
እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 2 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቲ ኻብ ሰይፊ ዘምለጠ ህዝቢ ኣብ
በረኻ ጸጋ ረኸበ። ንእስራኤል ከዕርፎ እኸይድ ኣሎኹ። 3 እግዚኣብሄር ካብ ርሑቕ ተራእየኒ፡ ብናይ
ዘለኣለም ፍቕሪ ኣፍቀርኩኺ፡ ስለዚ ኸኣ ብምሕረት ሰሓብኩኺ። 4 ኣቲ ድንግል እስራኤል፡ ከም ብሓድሽ

ከሀንጸኪ እየ እሞ ኽትህነጺ ኢኺ። ከም ብሓድሽ ድማ ብኸበሮ ኣጋይጽኪ፡ ብሳዕስዒት ሕጉሳት
ክትወጺ ኢኺ። [5] ከም ብሓድሽ ኣታኽልቲ ወይኒ ኣብ ኣኽራን ሰማርያ ክትተኽሊ ኢኺ፡ እቶም ተኽልቲ
ኺተኽሉ፡ ፍሪኡ ኺኣ ኪኣርይዎ እዮም። [6] እቶም ሓለውቲ ኣብ ኣኽራን ኤፍሬም፡ ንዑናይ፡ ናብ
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ናብ ጽዮን ንደይብ፡ ኢሎም ዚጽውዑላ መዓልቲ ኪኸውን እዩ። [7] እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንያእቆብ ብሓጐስ ድረፉሉ፡ በቲ ርእሲ ህዝብታት እልል በሉ፡ ዓው ኢልኩም
ኣመስግኑ እሞ፡ ጐይታይ፡ ንህዝብኻ፡ ነቲ ተረፍ እስራኤል፡ ኣድሕኖ፡ በሉ። [8] እንሆ፡ ካብ ሃገር ሰሜን
ከምጽኦም፡ ካብ ወሰን ምድሪ ኸኣ ክእክቦም እየ። ምስኦም ድማ ዕዉርን ሓንካስን ጥንስትን ቅልውላው
ሕርሲ እተታሕዘትን ሐቢሮም፡ ዓብዩ ጉባኤ ኾይኖም ናብዚ ኺምለሱ እዮም። [9] እናበኸዩ ኺመጹ
እዮም፡ እናጸለዩ ኽመርሖም እየ። ንእስራኤል ኣቦ ኾይነ እየ፡ ኤፍሬም ድማ በዅሪ ወደይ እዩ እሞ፡
ብዘይዕንቀፉላ ዕርይቲ መገዲ ናብ ወሓዚ ማይ ክወስዶም እየ። [10] ኣቱም ህዝብታት፡ ቃል እግዚኣብሄር
ስምዑ፡ ነተን ኣብ ርሑቕ ዘለዋ ደሴታት ከኣ፡ እቲ ንእስራኤል ዝበተኖ ኺእክቦ፡ ከም ጓሳ ንመጓሲኡ
ድማ ኪሐልዎ እዩ፡ ኢልኩም ኣውርዩለን። [11] እግዚኣብሄር ንያእቆብ ተበጅይዎ፡ ካብ ኢድ እቲ ኻብኡ
ዚሕይል ከኣ ኣናጊፍዎ እዩ እሞ፡ [12] ንሳቶም ኪመጹ፡ ኣብ ከረን ጽዮን ከኣ እልል ኪብሉ እዮም። ናብ
በረኸት እግዚኣብሄር፡ ናብ እኽልን ወይንን፡ ናብ ዘይትን ናብቲ ፍረ ኣባጊዕን ኣሓን ሀዲዶም ኪእክቡ
እዮም። ነፍሶም ድማ ከምቲ ማይ ዝሰተየ ኣታኽልቲ ኽትከውን እያ፡ ድሕሪ እዚውን ኣይኪቕሕትዉን
እዮም። [13] ሽዑ እታ ድንግል ብጓይላ ባህ ኪብላ፡ ኣጒባዝን ኣረገውትን ድማ ሐቢሮም ኪሕጐሱ እዮም።
ንሓዘኖም ናብ ሓጐስ ክምልሶን ከጸናንዖምን እየ፡ ድሕሪ ጓሂኦምውን ባህ ከብሎም እየ። [14] ንነፍሲ
ኻህናት ብስብሒ ኽጥልሎ እየ፡ ህዝበይ ከኣ ብበረኸተይ ኪጸግብ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [15]
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፡ ኣብ ራማ ድምጺ ተሰምዔ፡ ዋይዋይታን መሪር ብኽያትን። ራሄል ንደቃ
በኸየት፡ ተወዲኦም እዮም እሞ፡ ስለ ደቃ ምድባስ ኣበየት። [16] ከምዚ ይብል እግዚኣብሄር፡ ግብርኺ
ዓስቡ ኺረክብ እዩ፡ ካብ ሃገር ጸላኢውን ኪምለሱ እዮም እሞ፡ ድምጽኺ ኻብ ዋይዋይታ ዓይንኺ ድማ
ካብ ንብዓት ዕገቲ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [17] ንዳሕራይኪ ኸኣ ተስፋ ኣሎኪ፡ ደቅኺውን ናብ ዶቦም
ኪምለሱ እዮም ይብል እግዚኣብሄር። [18] ኤፍሬም ከኣ፡ ከም ዘይጸረየ ዝራብዕ ጌርካ ቐጻዕካኒ ተቐጻዕኩ
ድማ፡ ንስኻ ኢኻ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ እሞ፡ ምለሰኒ ኽምለስ ከኣ እየ፡ ኢሉ ኺግዕር ከሎ ኣጸቢቐ
ሰማዕክዎ። [19] ምስ ተመለስኩ፡ ተጠዐስኩ ምስ ተፈለጠኒ ኸኣ፡ ሰለፈይ ወቓዕኩ፡ ጸርፊ ንእስነተይ ጾይረ
እየ እሞ፡ ሐፊርኩን ሐነኽኩን። [20] ኤፍሬምዶ ፍቁር ወደይ፡ እቲ ምጭዊ ውሉደይ ኣይኰነንብዀራ እኳ
እንተ ተዛረብክዎ፡ መመሊሰ እዝክሮ ኣሎኹ እሞ፡ ብምኽንያቱ ኣምዑተይ ተበጢሱ እዩ፡ ኣነየውን
ብሓቂ ኽምሕሮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [21] መሓበርታ መገዲ ኣቑሚ፡ መፈለጥታታት ከኣ ትኸሊ፡
ልብኺ ናብታ ኼድክላ ዝነበርኪ ጐደናን መገድን ኣቕንዒ። እቲ ድንግል እስራኤል፡ ተመለሲ፡ ናብዘን
ከተማታትኪ ተመለሲ። [22] እቲ ዓወለኛ ጓል፡ ክሳዕ መኣዝ ዙንዙን ክትብሊ ኢኺ፡ እግዚኣብሄር ኣብ
ምድሪ ሓድሽ ነገር ፈጢሩ እዩ እሞ፡ ሰበይቲ ንሰብኣይ ክትከቦ እያ። [23] እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት
ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ካብ ምርኮ ምስ ኣምለስክዎም፡ ኣብ ሃገር ይሁዳን ኣብ
ከተማታትን፡ እቲ መሳፍሮ ጽድቂ፡ እቲ ኸረን ቅድስና፡ እግዚኣብሄር ይባርኽኪ፡ ኢሎም እዚ ቓል እዚ
ኸም ብሓድሽ ኪብሉ እዮም። [24-25] ንዝጸምኤት ነፍሲ ኽርውያ፡ ንዝቓሕተወት ዘበለት ነፍሲ ድማ
ከጽግባ እየ እሞ፡ ይሁዳን ኲለን ከተማታታን ሓረስቶትን እቶም ምስ መጓሴታት ዚጒዕዙን ሐቢሮም
ኣብኣ ኺነብሩ እዮም። [26] ድሕርዚ ተበራበርኩ እሞ ጠመትኩ፡ ድቃሰይ ከኣ ጠዐመኒ። [27] እንሆ፡ ንቤት
እስራኤልን ንቤት ይሁዳን ብዘርኢ ሰብን ብዘርኢ እንስሳን ዝዘርኣለን መዓልታት ኪመጻ እየን፡ ይብል

እግዚኣብሄር። 28 ኪኸውን ከኣ እዩ፡ ከምቲ ኣነ ንምምንቛስን ንምዕናውን ንምጒባእን ንምጥፋእን
ንምስቓይን ኣብ ርእሲኦም ዝተጋህኩ፡ ከምኡ ድማ ንምህናጽን ንምትካልን ኣብ ርእሲኦም ክተግህ እየ፡
ይብል እግዚኣብሄር። 29 በተን መዓልትታት እቲኣተን ከም ብሓድሽ፡ እቶም ኣቦታት መጺጽ ዘቢብ በልዑ
እሞ፡ ነስናን እቶም ውሉድ ከኸወ፡ ኣይኪብሉን እዮም። 30 ነፍሲ ወከፍሲ ብኣበሳኡ ደኣ ይመውት፡ እቲ
መጺጽ ዘቢብ ዝበልዔ ኹሉ ኣስናኑ ይኾኹዎ። 31 እንሆ፡ ምስ ቤት እስራኤልን ምስ ቤት ይሁዳን ሓድሽ
ኪዳን ዝኣትወለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 32 ከምቲ ኻብ ሃገር ምስሪ ብኢዶም
ሒዘ ኸውጽኦም ከሎኹ፡ ምስ ኣቦታቶም ዝኣቶኽዎ ኺዳን ኣይኮነን። ኣነ ጐይታኦም ክነስይሲ፡ ንሳቶም
ነቲ ኺዳን ኣፍረስዎ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 33 ድሕሪ እዘን መዓልትታት እዚኣተን ምስ ቤት እስራኤል
ዝኣትዎ ኺዳንሲ እዚ ደኣ እዩ፡ ሕገይ ኣብ ውሽጦም ከንብር ኣብ ልቦም ከኣ ክጽሕፎ፡ ኣነ ኣምላኾም
ክኸውን እየ፡ ንሳቶም ድማ ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 34 ኣነ ኣበሳኦም ይቕረ
ኽብለሎም፡ ሓጢኣቶም ድማ ድሕርዚ ኣይክዝክርን እየ እሞ፡ ካብ ንእሽቶኦም ክሳዕ ዓብዩኦም ኲላቶም
ኪፈልጡኒ እዮም፡ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ነፍሲ ወከፍውን ንሓዉ፡ ንእግዚኣብሄር ፍለጦ፡ ኢሎም
ድሕርዚ ንሓድሕዶም ኣይኪማሃሩን እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 35 እቲ ጸሓይ ንብርሃን መዓልቲ፡
ሕጋጋት ወርሕን ከዋኽብትን ከኣ ንብርሃን ለይቲ ክኸውን ዘቘመ፡ እቲ ንባሕሪውን ማዕበሉ ኺህምም
ዘናወጸ ጐይታ ሰራዊት ዝስሙ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 36 እዚ ሕጋጋት እዚ ኻብ ቅድመይ
እንተ ተፍኤ፡ ሽዑ ኸኣ ዘርኢ እስራኤል ንሓዋሩ ኣብ ቅድመይ ህዝቢ ኻብ ምዃን ኪጠፍእ እዩ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 37 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ሰማይ ኣብ ላዕሊ እንተ ተለኪዑ፡ መሰረት ምድሪውን
ኣብ ታሕቲ እንተ ተለኪዑ፡ መሰረት ምድሪውን ኣብ ትሕቲ እንተ ተመርመረስ፡ ሽዑ ኣነውን ብሰሪ እቲ
ዝገበርክዎ ኹሉ ንዂሎም ዘርኢ እስራኤል ክድርብዮም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 38 እንሆ፡ እተን፡ እዛ
ኸተማ እዚኣ ኻብ ግምቢ ሃናንኤል ክሳዕ ደገ መኣዝን ንእግዚኣብሄር እትህነጸለን መዓልትታት ኪመጻ
እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 39 እቲ ገመድ መዓቀኒ ኸኣ ክሳዕ ኩድኹዶ ጋሬብ ትኽ ኢሉ ኺዝርጋሕ
እዩ፡ ናብ ጎኣት ኣቢሉውን ኪምለስ እዩ። 40 ኲሉ እቲ ለሰ ሬሳታትን ሓሙኹስትን ኲሉ እቲ ግርሁ
ኽሳዕ ርባ ቄድሮንን፡ ብሸነኽ ምብራቕ ድማ ክሳዕ እቲ መኣዝን ደገ ኣፍራስን ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ
ኪኸውን እዩ። ንሓዋሩ ከቶ ኣይኪበርስን ኣይኪፈርስንውን እዩ።

## ምዕራፍ 32

1 እቲ ኣብ መበል ዓሰረይቲ ዓመት ግዝኣቱ ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ንነቡካድነጻር ከኣ መበል ዓሰርተው
ሾሞንተ ዓመት ግዝኣቱ፡ ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል እዚ እዩ። 2 ሽዑ ድማ ጭፍራ
ንጉስ ባቢሎን ንየሩሳሌም ከቢቦምዋ ነበሩ፡ ነብዩ ኤርምያስ ከኣ ኣብቲ ኣብ ቤት ንጉስ ዘሎ ቤት
ማእሰርቲ ኣብቲ ወገፉ ተኣሲሩ ነበረ። 3 ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ኸምዚ ኢሉ ኣሲርዎ ነበረ፡ ስለምንታይ
ተነቤኻን በልካን፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ ኣነ ነዛ ኸተማ እዚኣ ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን
ኣሕሊፈ ኸህባ እየ፡ ንሱውን ኪሕዛ እዩ፡ 4 ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ድማ ርግጽ ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን
ኪወሀብ እዩ፡ ኣፍ ንኣፍ ኪዛረቦ እዩ፡ ኣዒንቱ ኸኣ ዓይኑ ኺርእያ እየን እምበር፡ ካብ ኢድ ከለዳውያን
ኣይኪምልጥን እዩ። 5 ንጼድቅያስ ድማ ናብ ባቢሎን ኪማርኾ፡ ኣነ ኽሳዕ ዝዝክሮውን ኣብኡ ኺጸንሕ
እዩ፡ ምስ ከለዳውያን እንተ ተዋጋእኩም ኣይኪቕንዐኩምን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 6 ኤርምያስ ከኣ፡
ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ፡ በለ፡ 7 እንሆ፡ ሃናምኤል ወዲ ሻሉም ሓዉ ኣቦኻ፡ ነታ ኣብ

ኣናቶት ዘላ ግራተይ፡ መሰል ምብጃው ኣሎካ እሞ፡ ተሻየጣ፡ ኪብለካ ናባኻ ኺመጽእ እዩ። 8 ሃናምኤል
ወዲ ሓዉ ኣቦይ ድማ ከም ቃል እግዚኣብሄር ናብቲ ወገፈ ቤት ማእሰርቲ መጺኡ ነታ ኣብ ኣናኖት ኣብ
ምድሪ ብንያም ዘላ ግራተይ ኲታ ተሻየጣ፡ መሰል ርስቲ ኣሎካ፡ ምብጃው ድማ ግቡእካ እዩ እሞ፡ ንኣኻ
ተሻየጣ፡ በለኒ። ሽዑ እዚ ናይ እግዚኣብሄር ቃል ምዃኑ ኣስተውዐልኩ። 9 ነታ ኣብ ኣናቶት ዘላ ግራት
ከኣ ካብ ሃናምኤል ወዲ ሓዉ ኣቦይ ተሻየጥክዋ እሞ ነቲ ገንዘብ ዓሰርተው ሾብዓተ ሲቃል ብሩር
መዘንኩሉ። 10 ኣብ መጽሓፍ ጽሒፈ ኸኣ ሐተምክዎ፡ ምስክር ጸዊዔ ድማ ነቲ ገንዘብ ብሚዛን
መዘንኩሉ። 11 ነታ መጽሓፍ መሸጣ፡ ነታ ኸም ሕግን ውዑልን ኲይና እተሐትመትን ነታ እተቐልዔትን
ወሲደ፡ 12 እታ መጽሓፍ መሸጣ ንባሩኽ፡ ወዲ ኔርያ ወዲ ማህስያ፡ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣብ መጽሓፍ
መሸጣ እተጸሕፉ ምስክርን ኣብ ቅድሚ ዅሎም እቶም ኣብ ወገፈ ቤት ማእሰርቲ ተቐሚጦም ዝነበሩ
ኣይሁድን ሀብክዎ። 13-15 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ኣብዛ ሃገር እዚኣ ኣባይትን
ግርሁን ኣታኽልቲ ወይንን ከም ብሓድሽ ኪሻየጡ እዮም፡ ይብል ኣሎ እሞ፡ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ
ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ እዘን ጽሑፋት እዚኤን፡ እታ ሕትምቲ መጽሓፍ መሸጣን እታ ቕልዕቲ
መጽሓፍን ወሲድካ፡ ብዙሕ መዓልትታት ምእንቲ ኺዕቈርሲ ኣብ ኣቕሓ መሬት ኣንብሮ፡ይብል ኣሎ፡
ኢለ ንባሩኽ ኣብ ቅድሚኦም ኣዘዝክዎ። 16 እታ መጽሓፍ መሸጣ ንባሩኽ ወዲ ኔርያ ምስ ሀብክዎ ኸኣ፡
ከምዚ ኢለ ናብ እግዚኣብሄር ለመንኩ፡ 17 ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እንሆ፡ በቲ ዓብዪ ሓይልኻን በቲ
ዝርጉሕ ቕልጽምካን ዘይከኣለካ ነገር የልቦን። 18 ነእላፋት ምሕረት እትገብር፡ ኣበሳ ኣቦታት ድማ
ብድሕሪኦም ናብ ሕቕፊ ውሉዶም እትመልስ ኢኻ። ዓብዪ ስልጡን ኣምላኽ፡ ስሙ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት እዩ። 19 ንስኻ ንነፍሲ ወከፍ ከከም መገዱምን ከከም ፍረ ግብሮምን ምእንቲ ኽትህቦም፡
ብምኽሪ ዓብዪ ብግብሪ ኸኣ ስልጡን ኢኻ። ኣዒንትኻ ድማ ኣብ ኲለን መገድታት ደቂ ኣዳም ክፉታት
እየን። 20 ንስኻ ትእምርትን መንክራትን ኣብ ሃገር ግብጽን ክሳዕ ሎሚ ኸኣ ኣብ እስራኤልን ኣብ ካልኦት
ሰብን ገበርካ፡ ከምዚ ሎሚ ዘሎውን ንኣኻ ስም ኣስሜኻ። 21 ንዝህብኻ እስራኤል ብትእምርትን
መንክራትን ብብርቱዕ ኢድን ብዝርጉሕ ቕልጽምን ብዓብዪ ረዓድን ካብ ሃገር ግብጺ ኣውጻእካዮ። 22
እታ ጸባን መዓርን እትውሕዝ፡ ነቦታቶም ክትህባ ዝመሐልካሎም ሃገር ከኣ ሀብካዮም። 23 ንሳቶም ድማ
ኣተዉ ሐዝዋ ኸኣ፡ ግናኸ ንድምጽኻ ኣይሰምዑን ብሕግኻውን ኣይተመላለሱን። ነቲ ኺገብርዎ
ዝኣዘዝካዮም ኲሉ ኣይገበርዎን፡ ስለዚ ኸኣ እዚ ዅሉ መዓት እዚ ኣውረድካሎም። 24 እንሆ ነታ ኸተማ
ኺሕዝዋ መፍረስ ዕርዲ ናባኣ ቐረበ። እታ ኸተማ ኸኣ ብሰሪ ሰይፍን ጥሜትን ፌራን ኣብ ኢድ እቶም
ዚዋግእዋ ከለዳውያን ተዋህበት። እቲ ዝበልካዮ ዅነ፡ እንሆ ድማ፡ ትርእዮ ኣሎኻ። 25 ኣታ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፡ እታ ኸተማ ኣብ ኢድ ከለዳውያን ተዋሂባ ኸላስ፡ ንስኻ፡ ግራት ብገንዘብ ተሻየጥ ምስክር ከኣ
ሐዘሉ፡ በልካኒ። 26-27 ሽዑ፡ እንሆ፡ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኲሉ ስጋ ዝለበሰ እየ፡ ንኣይ ዘይከኣለኒ
ነገርዶ ኣሎ እዩ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ። 28 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡
እንሆ፡ ነዛ ኸተማ እዚኣ ኣብ ኢድ ከለዳውያንን ኣብ ኢድ ነቡካድነጻርን ንጉስ ባቢሎንን ኣሕሊፈ ኽህባ
እየ፡ ንሱውን ኪሕዛ እዩ። 29 እቶም ነዛ ኸተማ እዚኣ ዚወግኡ ከለዳውያን ከኣ ኪመጹ፡ ነታ ኸተማ ድማ
ኪትኩስዋ እዮም፡ ምስ ናይ እተን ኣብ ዝባን ኣናሕሰን፡ ኬቔጥዑኒ ኢሎም፡ ንበዓል ዝዐጠኑለን፡
ንኻልኦት ኣማልኽቲ ድማ መስዋእቲ መስተ ዝኸዐዉለን ኣባይቲ ኼንድድዋ እዮም። 30 ደቂ እስራኤልን
ደቂ ይሁዳን ካብ ንእስነቶም ጀሚሮም ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ክፉእ ዝዅነ ጥራይ ገበሩ እሞ፡ ደቂ
እስራኤልሲ ብተግባር ኢዶም ኲሉ ጊዜ ኣቔጥዑኒ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 31-32 እዛ ኸተማ እዚኣ ኻብታ
እተሰርሓትላ መዓልቲ ጀሚራ ኽሳዕ ሎሚ ብሰሪ እቲ ደቂ እስራኤልን ደቂ ይሁዳን ምስ ነገስታቶምን

መሳፍንቶምን ካህናቶምን ነብያቶምን ሰብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን፡ ኬቔጥዑኒ ኢሎም ዝገበርዎ
ኹሉ እከይ ካብ ቅድሚ ገጸይ ከርሕቓስ፡ ቀኑጥዓይን ነድረይን ኣለዓዐለትለይ። 33 እንግድዓኦም እምበር፡
ገጾም ኣይመለሱለይን። ኣንጊሄ እንተ መሀርክዎም፡ ምንም እኳ እንተ መሀርክዎም፡ ተግሳጽ ንምቕባል
ኣይሰምዑን። 34 ነታ ብስመይ እተሰምየት ቤት ምእንቲ ኼርክዋስ፡ ጽያፎም ኣብኣ ኣንበሩ። 35 ነወዳቶምን
ነዋልዶምን ከኣ ንሞሌኽ ብሓዊ ኼሕልፍዎም፡ ነቲ ኣብ ለሰ ወዲ ሂኖም ዘሎ በረኽቲ በዓል ሰርሑ።
ንይሁዳ ኼሕጥኡ፡ ከምዚ ዘመሰለ ጽያፍ ኪገብሩ ኢለ፡ ኣነ ኣይአዘዝክዎን ከቶ ኣየስተንተንክዎን። 36
ሕጂ ኸኣ ብዛዕባ እዛ ንስኻትኩም፡ ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን ተወፍያ፡
እትብልዋ ዘሎኹም ከተማስ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 37 እንሆ፡ ካብቲ
ብኹራይን ብቑጥዓይን ብዓብዩ ነድርን ዝሰጐጕክዎም ኩሉ ሃገር ክእክቦም እየ፡ ናብዛ ስፍራ እዚኣ
ድማ ክመልሶም፡ ብደሓንውን ከንብሮም እየ። 38 ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ኣነውን ኣምላኾም
ክኸውን እየ። 39 ብደሓን ርእሶምን ብድሕሪኦም ከኣ ንደሓን ደቆምን ኪኸውንሲ፡ ንሓዋሩ ምእንቲ
ኺፈርሁኒ፡ ሓደ ልብን ሓደ መገድን ክህቦም እየ። 40 ንኣታቶም ሰናይ ካብ ምግባር ከይዘሓጥሲ፡ ናይ
ዘለኣለም ኪዳን ክአትወሎም፡ ካባይ ከይዘብሉ ኸኣ፡ ፍርሃተይ ኣብ ልቦም ከሕድር እየ። 41 ሓጐሰይሲ
ሰናይ ክገብረሎም እዩ። ብኹሉ ልበይን ብኹሉ ነፍሰይን ብሓቂ ኣብዛ ሃገር እዚኣ ኽተኽሎም እየ። 42
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ከምቲ ኹሉ እዚ ዓብዩ ሕሰም ኣብዚ ህዝቢ እዚ ዘውረድክዎ፡ ከምኡ
ድማ ኩሉ እቲ ዘተስፈኽዎም ሰናይ ከውርደሎም እየ። 43 ኣብታ ንስኻትኩም፡ ሰብን እንስሳን
ዘይነብሩላ፡ ንከለዳውያን እተዋህበት ባዶ ዝበልኩምዋ ሃገር፡ ኣብኣ ግርሁ ኺሻየጡ እዮም። 44 ኣነ
ንምሩኻቶም ከምልሰሎም እየ እሞ፡ ኣብ ሃገር ብንያምን ኣብ ከባቢ የሩሳሌምን ኣብ ከተማታት ይሁዳን
ኣብ ከተማታት ኣኽራንን ኣብ ከተማታት ጐልጐልን ኣብ ከተማታት ደቡብን ግርሁ ብገንዘብ ኪሸየጥ
እዩ፡ ናይ መሸጣ ውዑል ከኣ ኣብ ቅድሚ ምስክር ተጽሒፉ ኺሕተም እዩ።

# ምዕራፍ 33

1 ኤርምያስ ገና ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ ተኣሲሩ ኸሎ፡ ካልኣይ ሳዕ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብኡ
መጸ፡ 2 እቲ ዚገብሮ ዘሎ እግዚኣብሄር ኬጽንዖ ዜዳሉ እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር ከኣ ዝስሙ ኸምዚ
ይብል ኣሎ። 3 ጸውዓኒ እሞ ክመልሰልካ፡ ዘይትፈልጦ ዓብይን ስውርን ነገር ከኣ ክነግረካ እየ። 4
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ብዛዕባ እቲ ብመፍረስ ዕርድን ብሰይፍን ዚፈርስ ዘሎ ኣባይቲ እዛ
ኸተማ እዚኣን ኣባይቲ ነገስታት ይሁዳን ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 5 ምስ ከለዳውያን ኪዋግኡ መጺኦም፡ ነታ
ብሰሪ ኹሉ እከዮም ገጸይ ዝኸወልኩላ ኸተማ ብሬሳታት እቶም ኣነ ብቑጥዓይን ብነድረይን
ዝወቓዕክዎም ሰብ ኪመልእዋ እዮም። 6 እንሆ፡ ኣነ ኽሰፍፋን ክፍውሳን እየ። ኣነ ኽሕውዮም፡ ብዝሒ
ሰላምን ሓቅን ድማ ክገልጸሎም እየ። 7 ንምርኮ ይሁዳን ንምርኮ እስራኤልን ክመልስ እየ፡ ከም ቀደሞም
ከኣ ክሀንጾም እየ። 8 ኣነ ኻብ ኩሉ እቲ ዝበደሉኒ ኣበሳኦም ከጽርዮም እየ፡ ነቲ ዝበደሉንን ብኡኡ ኸኣ
ካባይ ዝዐለዉሉን ኣበሳኦም ይቕረ ኽብለሎም እየ። 9 ንሳ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ነቲ ዝገብረሎም ዘሎኹ
ኹሉ ሰናይ ዚሰምዑ ኹላቶም ህዝብታት ምድሪ ንስም ደስታን ንምስጋናን ንኽብርን ክትኮነኒ እያ።
ብምኽንያት እቲ ኣነ ዝህባ ኹሉ ሰናይን ኩሉ ሰላምን ድማ ኪፈርሁን ራዕራዕ ኪብሉን እዮም። 10-11
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ምርኮ እታ ሃገር መሊሰ ኸም ቀደማ ኽገብራ እየ እሞ፡ ኣብዚ
ንስኻትኩም፡ ሰብን እንስሳን ዜብሉ ምድረ በዳ እትብልዎ ዘሎኹም ስፍራን ኣብዘን ሰብን ኣብኤን

ዚነብርን እንስሳን ዜብለን ዝባደማ ኸተማታት ይሁዳን ኣደባባያት የሩሳሌምን ከም ብሓድሽ ድምጺ
ሓጐስን ድምጺ እልልታን ድምጺ መርዓውን ድምጺ መርዓትን ድምጺ እቶም መስዋእቲ ምስጋና ናብ
ቤት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣመስግንዎ፡ ዚብሉ ኺስማዕ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 12
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣብዛ ሰብን እንስሳን ዜብላ ዝባደመት ስፍራን ኣብ
ኩለን ከተማታትን ከም ብሓድሽ መሕደሪ እቶም መጓሴታቶም ዜስፍሩ ጓሶት ኪኸውን እዩ። 13 ኣብ
ዓድታት ኣኽራንን ኣብ ከተማታት ጐልጐልን ኣብ ከተማታት ደቡብን ኣብ ምድሪ ብንያምን ኣብ ከባቢ
የሩሳሌምን ኣኣብ ከተማታት ይሁዳን እተን መጓሴታት ከም ብሓድሽ ብትሕቲ ኢድ እቲ ቈጻሪኤን
ኪሐልፋ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 14 እንሆ፡ እቲ ብዛዕባ ቤት እስራኤልን ብዛዕባ ቤት ይሁዳን
እተዛረብክዎ ጽቡቕ ቃል ዝፍጽመለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር። 15 በተን
መዓልትታት እትኤንን በቲ ዘመን እትን ንዳዊት ጨንፈር ጽድቂ ኸጠጥዓሉ እየ። ንሱውን ኣብ ምድሪ
ፍትሕን ጽድቅን ኪገብር እዩ። 16 በተን መያኣልትታት እቲኤን ይሁዳ ኺድሕን እዩ፡ የሩሳሌም ከኣ
ብደሓን ክትነብር እያ። እግዚኣብሄር ጽድቅና እዩ፡ ተባሂላ ኸኣ ክትስመ እያ። 17 እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ ካብ ዳዊት ኣብ ዝፋን ቤት እስራኤል ዚቕመጥ ሰብኣይ ከቶ ኣይኪስኣንን እዩ። 18 ካብ
ሌዋውያን ካህናት ኲሉ መዓልቲ መስዋእቲ ምሕራር ዚስውእን መስዋእቲ ብልዒ ዜትክኽን መስዋእቲ
ሕሩድ ዜቕርብን ሰብኣይ ኣብ ቅድመይ ከቶ ኣይኪስኣንን እዩ። 19 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ
ኤርምያስ መጾ። 20 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንኺዳነይ ምስ መዓልትን ንኺዳነይ ምስ ለይትን፡
ለይትን መዓልትን በብጊዚኡ ኸይከውን፡ ከተፍርሱ እንተ ደኣ ተኻኢሉኩምሲ፡ 21 ሽዑ ኸኣ ኣብ ዝፋን
ዚቕመጥ ውሉድ ከይርከብ፡ እቲ ምስ ዳዊት ባርያይ ዝኣቶኽዎ ኪዳን ኪፈርስ እዩ፡ ከምኡውን ምስ
ኣገልገልተይ ሌዋውያን ካህናት። 22 ከምቲ ሰራዊት ሰማይ ኪፍቀድ፡ ሑጻ ባሕሪ ኸኣ ኪስፈር ዘይከኣል፡
ከምኡ ድማ ንዘርኢ ዳዊት ባርያይን ዜገልግሉኒ ሌዋውያንን ከብዝሖም እየ። 23 ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ 24 እዞም ህዝቢ እዚኦም፡ እግዚኣብሄር ነዞም ዝሓረዮም ክልተ ነገድ
ደርብይዎም እዩ፡ እናበሉ ዚዝዛረብዎ ዘለዉስ ኣይትርእዮን ዲኻ፡ ኣብ ቅድሚኦም ድሕርዚ ህዝቢ ኸም
ዘይኰኑ ገይሮም ይንዕቆም ኣለዉ። 25 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኪዳነይ ምስ መዓልትን ለይትን
እንተ ዘይንጸዔ፡ ንሰማይን ንምድርን ስርዓት እንተ ዘይሐገግኩ፡ ሽዑ ኸኣ ኣነ፡ ድሕርዚ ኣብ ልዕሊ ዘርኢ
ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዚገዝኡ ኻብ ዘርኡ ኸየተንስእስ፡ ንዘርኢ ያእቆብን ባርያይ ዳዊትን
ክድርብዮ እየ። ንምርኮኦም ክመልሶ እየ እሞ፡ ክምሕሮምውን እየ። 26 ሽዑ ኸኣ ኣነ፡ ድሕርዚ ኣብ ልዕሊ
ዘርኢ ዘርኢ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ዚገዝኡ ኻብ ዘርኡ ኸየተንስእስ፡ ንዘርኢ ያእቆብን ባርያይ
ዳዊትን ክድርብዮ እየ። ንምርኮኦም ክመልሶ እየ እሞ፡ ክምሕሮምውን እየ።

# ምዕራፍ 34

1-2 እቲ ፡ ነብካድነጻር ንጉስ ባቢሎንን ኲሉ ሰራዊት ኣብ ትሕቲ ኢዱ ዚግዝኡ ኹሎም መንግስትታት
ምድርን ኲሎም ህዝብታትን ምስ የሩስሌምን ምስ ኲለን ከተማታታን ኪዋግኡ ኸለዉ፡ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ዚብል ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል እዚ እዩ፡
ናብ ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ኼድካ፡ እግዚኣህቤር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢልካ ንገሮ፡ እንሆ፡ ኣነ ነዛ ኸተማ
እዚኣ ናብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ክውፍያ እየ፡ ንሱውን ብሓዊ ኬንድዳ እዩ። 3 ንስኻ ኸኣ ብርግጽ
ተታሒዝካ፡ ናብ ኢዱ ኽትውፈ ኢኻ እምበር፡ ካብ ኢዱ ኣይከተምልጥን ኢኻ፡ ኣዒንትኻ ነዒንቲ ንጉስ

ባቢሎን ኪርእያ እየን፡ ኣፍ ንኣፍ ድማ ኪዛረበካ እዩ፡ ናብ ባቢሎንውን ክትኣቱ ኢኻ። 4 ግናኸ፡ ኣታ
ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስማዕ፡ እግዚኣብሄር ብዛዕባኻ፡ ብሰይፊ ኣይክትመውትን
ኢኻ፡ ይብል ኣሎ። 5 እዚ ቓል እዚ ኣነ እየ እተዛረብክዎ እሞ፡ ብሰላም ክትመውት ኢኻ፡ ከምቲ ነቶም
ቅድሜኻ ዝነበሩ ቐዳሞት ነገስታት፡ ኣቦታትካ፡ ዝዐጠኑሎም፡ ከምኡ ኸኣ ኪዕጥኑልካ፡ ዋይ ጐይታየ፡
እናበሉ ድማ ኬልቅሱልካ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 6-7 ሰራዊት ንጉስ ባቢሎን ንየሩሳሌም ነተን
ተሪፈን ዝነበራ ዅላተን ከተማታት ይሁዳን፡ ማለት ነተን ካብ ከተማታት ይሁዳ ተዐሪደን ተሪፈን
ዝነበራ ላኪሽን ኣዜቃን፡ ኪዋጋእ ከሎ፡ ሽው ነብዩ ኤርምያስ ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ኣብ የሩሳሌም
ኩለን እዘን ቃላት እዚኣተን ነገሮ። 8 ንጉስ ጼድቅያስ ሓርነት ኪእውጅ ኢሉ ምስ ኩሉ እቲ ኣብ
የሩሳሌም ዝነበረ ህዝቢ ኺዳን ምስ ኣተወ፡ ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ቃል መጸ። 9 እቲ ኺዳን
ከኣ ነፍሲ ወከፍ ንተባዕታይ ባርያኡን፡ ነፍሲ ወከፍ ነንስተይቲ ባርያኡን፡ እብራውን እብራዊትን፡ ሓራ
ኺውጽእ፡ ሓደ እኳ ንኣይሁዳዊ፡ ነቲ ሓዉ፡ ባርያ ኸይገብሮ ዚብል እዩ። 10 እቶም፡ ነፍሲ ወከፍ
ንተባዕታይ ባርያኡን ነፍሲ ወከፍ ነንስተይቲ ባርያኡን ሓራ ኺውጽኡ ድሕርዚ ኸኣ ባሮት ከይገብርዎም
ኪዳን ዝኣተዉ ዅሎም መሳፍንትን ኩሎም ህዝብን ተኣዘዙ፡ ተኣዘዙ ሓራውን ኣውጽእዎም። 11 ደሓር
ግና መሊሶም፡ ነቶም ሓራ ኣውጺኦምዎም ዝነበሩ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ባሮት ከም ብሓድሽ
ኣምለስዎም፡ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ባሮት ገይሮም ድማ ገዝእዎም። 12 ስለዚ ኻብ እግዚኣብሄር ከምዚ
ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ 13 እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣነ
በታ ነቦታትኩም ካብ ሃገር ግብጺ ኻብ ቤት ባርነት ዘውጻእኩላ መዓልቲ ምሳታቶም ኪዳን ኣቶኹ፡
በልክዎም ከኣ፡ 14 ሾብዓተ ዓመት ምስ ተፈጸማ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ነቲ ባዕሉ ኣባኻ እተሸጠ እሞ ሹድሽተ
ዓመት እተገዝአካ እብራዊ ሓውካ ካባኻ ሓራ ኣውጽኣዮ። ግናኸ ኣቦታትኩምሲ ኣይሰምዑንን
በእዛኖምውን ጽን ኣይበሉን። 15 ንስኻትኩም ሎሚ ተመለስኩም፡ ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ሓራ ምውጻእ
ብምእዋጁ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ቅኑዕ ገበርኩም። ኣብታ ብስመይ እተሰምየት ቤት ድማ ኣብ
ቅድመይ ኪዳን ኣቶኹም። 16 ግናኸ ከም ብሓድሽ ተመለስኩም፡ ንስመይ ድማ ኣርከስኩምዎ፡ ነቶም
ሓራ ኣውጺእኩም ከም ድላዮም ይኺዱ ዝፈነኹምዎም ነፍሲ ወከፍኩም ንተባዕትዮን ኣንስትዮን
ባሮትኩም ጌርኩም ከኣ ገዛእኩምዎም። 17 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነፍሲ ወከፍ ንሓዉን
ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩን ሓርነት ንምእዋጅ ኣይሰማዕኩምንን። እንሆ፡ ኣነ ኸኣ ንሰይፍን ንፌራን ንጥሜትን
ሓርነት እእውጀልኩም ኣሎኹ፡ ንኹሎም መንግስትታት ምድሪ መሰክሒ ኽትኮኑ ድማ ኣሕሊፈ
ኽህበኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 18 ኣነ ነቶም ኪዳነይ ዘፍረሱ፡ ነቲ ምራኽ ኣብ ክልተ ጨንዲሖም
ብመንጎ እቲ ጭንዳሑ ኸኣ ሐሊፎም፡ ነቲ ኣብ ቅድመይ ዝኣተውዎ ቓላት ኪዳን ዘይሐለዉ ሰባት፡ 19
ብመንጎ ጭንዳሕ እቲ ምራኽ ዝሐለፉ መሳፍንቲ ይሁዳን መሳፍንቲ የሩሳሌምን ስሉባትን ካህናትን ኩሉ
ህዝቢ እታ ሃገርን፡ 20 ነዚኣቶም ኣብ ኢድ ጸላእቶምን ኣብ ኢድ እቶም ነፍሶም ዚደልዩን ኣሕሊፈ
ኽህቦም እየ። ሬሳታቶም ከኣ ነዕዋፍ ሰማይን ንኣራዊት ምድርን ብልዒ ኪኸውን እዩ። 21 ንጼድቅያስ
ንጉስ ይሁዳን ንመሳፍንቱን ናብ ኢድ ጸላእቶምን ናብ ኢድ እቶም ነፍሶም ዚደልዩ ሰባትን ናብ ኢድ እቲ
ኻባኻትኩም ዝረሐቐ ሰራዊት ንጉስ ባቢሎንን ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ። 22 እንሆ፡ ኣነ ኽእዝዝ እየ እሞ
ናብዛ ኸተማ እዚኣ ኽመልሶም እየ። ንሳቶም ኪዋግእዋ፡ ኪሕዝዋ፡ ብሓዊ ድማ ኬንድድዋ እዮም። ነተን
ከተማታት ይሁዳ ኸኣ ሓደ እኳ ዘይነብረን ምድረ በዳ ኽገብረን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 35

1 እቲ ብዘመን ዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል ከምዚ
ዚብል እዩ፡ 2 ናብ ቤት ሬካብ ኪድ እሞ ተዛረቦም፡ ናብ ሓንቲ ኽፍሊ ቤት ናይ መቕደስ እግዚኣብሄር
ድማ ኣእትዎም፡ ወይኒ ኺሰትዩውን ሀቦም። 3 ሽዑ ንያዘንያ፡ ወዲ ኤርምያስ፡ ወዲ ኻባጽንያን ነሕዋቱን
ንዅሎም ደቑን ንዅሎም ቤት ሬካብን ወሰድክዎም፡ 4 ናብ ቤት እግዚኣብሄር፡ ናብቲ ኣብ ጥቓ ኽፍሊ
ቤት መሳፍንቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኽፍሊ ቤት መሳፍንቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኽፍሊ ቤት መኣስያ፡ ወዲ ሻሉም ሓላው
ደገ ዘኣላ ኽፍሊ ቤት፡ ደቂ ኻናን ወዲ ኢግዳሊያ ናይ ኣምላኽ ሰብ ኣእቶኽዎም። 5 ኣብ ቅድሚ እቶም
ደቂ ቤት ሬካብ ከኣ ወይኒ ዝመልኣ ሰራሙን ዋናጬን ቀሪበ፡ ወይኒ ስተዩ፡ በልክዎም። 6-7 ንሳቶም ግና
መለሱ፡ ዮናዳብ፡ ወዲ ሬካብ ኣቦና፡ ኣባይቲ ኣይትስርሑ፡ ዘርኢ ኣይትዝርኡ፡ ኣታኽልቲ ወይኒ
ኣይትትከሉ ኣይተተርዩውን፡ ኣብታ ኣጋይሽ ኴንኩም ሰፈሪኩምዋ ዘሎኹም ሃገርሲ፡ ዕድሜኹም ምእንቲ
ኺነውሕ፡ ኩሉ ዘመንኩም ኣብ ድንኳን ንበሩ፡ ንስኻትኩምን ደቅኹምን ንዘለኣለም ወይኒ ኣይትስተዩ፡
ኢሉ ኣዚዙና እዩ እሞ፡ ወይኒ ኣይንሰትን ኢና። 8 ድማ ንሕናን ኣንስትናን ኣወዳትናን ኣዋልድናን ብዅሉ
ዘመንና ወይኒ ኸይንሰቲ ንድምጺ ዮናዳብ ወዲ ሬካብ ኣቦና በቲ ዝኣዘዘና ዅሉ ተኣዚዝናዮ ኢና። 9
እንነብረለን ኣባይቲ ኣይንሰርሕን፡ ኣታኽልቲ ወይንን ግርሁን ዘርእን ኣይነጥርን። 10 እምበኣርሲ ኽምቲ
ዮናዳብ ኣቦና ዝኣዘዘና ዅሉ ጌርና ተኣዚዝናዮ ኢና እሞ፡ ኣብ ድንኳን ኢና እንነብር ዘሎና። 11 ግናኸ
ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን፡ ናብዛ ሃገር እዚኣ ምስ ወጸ፡ ካብ ገጽ ሰራዊት ከለዳውያንን ካብ ገጽ ሰራዊት
ሶርያውያንን ንዑናይ ናብ የሩሳሌም ንኹዐዝ ኢልና፡ በዚ ኸምዚ ኣብ የሩሳሌም ተቐሚጥና ኣሎና። 12-13
ሽዑ እቲ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ ኪድ እሞ ንሰብ ይሁዳን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን፡ ቃለይ
ንምስማዕሲ ተግሳጽዶ ኣይትቕበሉን ኢኹም ይብል እግዚኣብሄር፡ ኢልካ ንገሮም። 14 እቲ ዮናዳብ ወዲ
ሬካብ ንደቁ፡ ወይኒ ኣይትስተዩ፡ ኢሉ ዝኣዘዞም ቃላት ጸንዔ። ንሳቶም ከኣ ንትእዛዝ ኣቦኦም ሰምዑ
እሞ፡ ክሳዕ ሎሚ ወይኒ ኣይሰትዩን እዮም። ኣነስ ተዛሪበኩም፡ ኣንጊሄ ተዛሪበኩም፡ ንስኻትኩም ግና
ኣይሰማዕኩምንን። 15 ኣነ ድማ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ካብቲ እኩይ መገድኹም ተመለሱ፡ ግብርኹም ከኣ
ኣቕንዑ፡ ከተገልግልዎም ኢልኩምውን ደድሕሪ ኻልኦት ኣማልኽቲ ኣይትኺዱ፡ ሽዑ ኣብታ ኣነ
ንኣኻትኩምን ነቦታትኩምን ዝሀብክዋ ሃገር ክትነብሩ ኢኹም፡ ኢለ ንዅላቶም ኣገልገልተይ ነብያት
ለኣኽኩልኩም፡ ኣንጊሄ ለኣኽኩልኩም፡ ንስኻትኩም ግና እዝንኹም ኣይጸሎኹንም ኣይሰማዕኩንን
ድማ። 16 ደቂ ዮናዳብ ወዲ ሬካብሲ ነቲ ኣቦኦም ዝኣዘዞም ትእዛዝ ኣጽንዕዎ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ግና
ኣይሰምዓንን። 17 ስለዚ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ እንሆ፡ ተዛሪበዮም
ኣይሰምዑን፡ ጸዊዔዮም ከኣ ኣይመለሱን እሞ፡ ኣብ ይሁዳን ኣብቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ዝለዉ
ዅላቶምን እቲ እተዛረብኩሎም ኩሉ መዓት ከውርደሎም እየ፡ ይብል ኣሎ። 18 ኤርምያስ ከኣ ንቤት
ሬካብ ከምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡
ንትእዛዝ ዮናዳብ ኣቦኹም ስለ እተኣዘዝኩም፡ ንዅሉ ትእዛዙ ኸኣ ስለ ዘጽናዕኩም፡ ከምቲ ንሱ
ዝኣዘዘኩም ኩሉ ሰለ ዝገበርኩም፡ 19 ስለዚ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ዮናዳብ
ወዲ ሬካብ ኣብ ቅድመይ ዚቐውም ሰብ ንሓዋሩ ኣይኪስእንን እዩ፡ ይብል ኣሎ።

## ምዕራፍ 36

1 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ራብዐይቲ ዓመቱ ንዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ከምዚ ዚብል ቃል ካብ

እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ 2 ዚጥቕለል መጽሓፍ ውሰድ እሞ እቲ ብዛዕባ እስራኤልን ብዛዕባ
ይሁዳን ብዛዕባ ኲላቶም ህዝብታትን ካብቲ እተዛረብኩኻ መዓልቲ፡ ካብ ዘመን ዮስያስ ጀሚረ ኽሳዕ
ሎሚ ዝነገርኩኻ ኹሉ ቓላት ኣብኡ ጽሐፎ። 3 ምናልባሽ ቤት ይሁዳ ነቲ ናባታቶም ከውርዶ ሐሲበዮ
ዘሎኹ ኹሉ ኽፉእ ምስ ሰምዑ፡ ነፍሲ ወከፎም ካብቲ ኽፉእ መገዱ እንተ ተመልሰ፡ ኣነ ኸኣ
ኣበሳኦምን ሓጢኣቶምን ይቕረ ኽብለሎም እየ። 4 ሽዑ ኤርምያስ ንባሩኽ ወዲ ኔርያ ጸውዔ፡ ባሩኽ ድማ
ነቲ ብኣፍ ኤርምያስ እተነግረሉ ኹሉ ቓል እግዚኣብሄር ኣብቲ ዚጥቕለል መጽሓፍ ጸሐፎ። 5 ኤርምያስ
ድማ ንባሩኽ ከምዚ ኢሉ ኣዘዞ፡ ኣነ ናብ ቤት እግዚኣብሄር ከይኸይድ ተኸልኪለ ኣሎኹ፡ 6 ስለዚ ንስኻ
ናብኣ ኺድ እሞ ነቲ ኻብ ኣፈይ ናብታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ዝጸሐፍካዮ ቓል እግዚኣብሄር በታ መዓልቲ
ጾም ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ እዝኒ እቶም ህዝቢ ኣንብቦ። ኣብ እዝኒ እቶም ካብ ከከተማኦም ዝመጹ
ኲላቶም ይሁዳ ኣንብበሎም። 7 እቲ እግዚኣብሄር ነዚ ህዝቢ እዚ ተዛሪብዎ ዘሎ ኹራን ቍጥዓን ዓብዩ
እዩ እሞ፡ ምናልባሽ ናብ እግዚኣብሄር ይምህለሉ፡ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ካብ እኩይ መገዱ ይምለስ
ይኸውን። 8 ባሩኽ ወዲ ኔርያ ድማ ከምቲ ነብዩ ኤርምያስ ዝኣዘዞ ኹሉ ገበረ፡ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር
ካብቲ መጽሓፍ ነቲ ቓል እግዚኣብሄር ኣንበቦ። 9 ኰነ ኸኣ ኣብታ ሓምሰይቲ ዓመቱ ንዮኣቂም፡ ወዲ
ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ኣብታ ታስዐይቲ ወርሒ ንኹሉ እቲ ህዝቢ የሩሳሌምን ንኹሉ እቲ ኻብ
ከተማታት ይሁዳ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ዝነበረ ህዝብን ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጾም ኪጾሙ
ተኣወጀ። 10 ባሩኽ ድማ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር፡ ኣብቲ ኽፍሊ ቤት ገማርያ፡ ወዲ ሻፋን እቲ ጸሓፊ፡
ኣብቲ ላዕላይ ኣጸድ በቲ ኣፍ ሓድሽ ደገ ናይ ቤት እግዚኣብሄር ኰይኑ፡ ነቲ ቓላት ኤርምያስ ካብቲ
መጽሓፍ ኣብ እዝኒ ኹሉ ህዝቢ ኣንበቦ። 11 ሚካያ፡ ወዲ ገማርያ ወዲ ሻፋን፡ ካብቲ መጽሓፍ ኲሉ እቲ
ቓል እግዚኣብሄር ምስ ሰምዔ፡ 12 ናብቲ ኽፍሊ ቤት ጸሓፊ ኣብቲ ኣዳራሽ ንጉስ ወረደ። እንሆ ኸኣ፡
ኲሎም እቶም መሳፍንቲ ኤሊሻማዕ እቲ ጸሓፍን ደላያ ወዲ ሽማዕያን ኤልናታን ወዲ ኣክቦርን ገማርያ
ወዲ ሻፋንን ጼድቅያስ ወዲ ሃናንያን ኲላቶም መሳፍንትን ኣብኡ ተቐሚጦም ነበሩ። 13 ሚካያ ኸኣ ነቲ፡
ባሩኽ ካብቲ መጽሓፍ ኣብ እዝኒ ኹሉ ህዝቢ ኼንብቦ ኸሎ፡ ዝሰምዖ ኹሉ ቓላት ንኣታቶም ነገሮም።
14 ኲሎም እቶም መሳፍንቲ ኸኣ ንይሁዲ ወዲ ንታንያ፡ ወዲ ሸለምያ፡ ወዲ ኩሺ፡ ናብ ባሩኽ፡ ነታ ኣብ
እዝኒ ህዝቢ ዘንበብካያ እትጥቕለል መጽሓፍ ብኢድካ ሒዝካያ ምጻእ፡ ኢሎም ለኣኹሉ። ባሩኽ ወዲ
ኔርያ ድማ ነታ እትጥቕለል መጽሓፍ ብኢዱ ሒዙ ናባታቶም መጸ። 15 ንሳቶም ድማ፡ ተቐመጥ እሞ ኣብ
እዝንና ኣንብበልና፡ በልዎ። ባሩኽውን ኣብ እዝኖም ኣንበበሎም። 16 ኰነ ድማ፡ ኲሉ እቲ ቓላት ምስ
ሰምዑ፡ ሰምቢዶም ንሓድሕዶም ቍሊሕ ቍሊሕ ተባሃሂሎም ንባሩኽ፡ ኲሉ እዚ ዘረባ እዚ ንንጉስ
ክንነግሮ ይግባእ እዩ፡ በልዎ። 17 ንባሩኽ ከኣ፡ እስኪ ንገረና፡ ከመይ ጌርካ ኢኻ ኹሉ እዚ ቓላት እዚ
ኻብ ኣፉ ዝጸሐፍካዮ ኢሎም ሐተትዎ። 18 ባሩኽ ከኣ፡ እዚ ኹሉ ቓላት እዚ ብኣፉ ነገረኒ፡ ኣነውን
ብቐለም ኣብ መጽሓፍ ጸሐፍክዎ፡ ኢሉ ነገሮም። 19 ሽዑ እቶም መሳፍንቲ ንባሩኽ፡ ኪድ ንስኻ ምስ
ኤርምያስ ተሐባእ፡ ኣበይ ከም ዘሎኹም ድማ ሓደ እኳ ኣይፍለጥ፡ በልዎ። 20 ነታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ
ኣብ ክፍሊ ቤት ኤሊሻማዕ እቲ ጸሓፊ ኣንቢሮም፡ ናብ ንጉስ ኣብቲ ገበላ ኣተዉ እሞ ኲለን እተን ቃላት
እቲኤን ኣብ እዝኒ ንጉስ ተዛረብወን። 21 እቲ ንጉስ ከኣ ነታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ኬምጽእ፡ ንይሁዲ
ለኣኾ። ንሱውን ካብቲ ኽፍሊ ቤት ኤሊሻማዕ እቲ ጸሓፊ ወሰዳ። ይሁዲ ኸኣ ኣብ እዝኒ ንጉስን ኣብ
እዝኒ ኹሎም እቶም ኣብ ዙርያ ንጉስ ቈይሞም ዝነበሩ መሳፍንትን ኣንበባ። 22 ታስዓይ ወርሒ ኾይኑ፡
እቲ ንጉስ ኣብቲ ኣዳራሽ ክረምቲ ተቐሚጡ ነበረ፡ ኣብ ቅድሚኡ ኸኣ እቲ ምድጃ ሓዊ ተኣጒዱዎ ነበረ።
23 ኰነ ኸኣ፡ ይሁዲ ሰለስተ ወይስ ኣርባዕተ ዓንዲ ምስ ኣንበባ፡ ብኻራ ጽሓፊ እናቐደደ፡ ኣብቲ ኣብ

ምድጃ ዘሎ ሓዊ ደርበዮ፡ እታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ድማ ብዘላ ኣብቲ ምድጃ ሓዊ ሞኸኑ በለት። 24
እቶም ንኹሉን እዘን ቃላት እዚኤን ዝሰምዑ ንጉስን ባሮቱን ኣይሰምበዱን ክዳውንቶምውን
ኣይቀደዱን። 25 ምንም እኳ ኤልናታንን ደላያን ገማርያን ንንጉስ ነታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ከየንድዳ
ሊሚኖምዎ ኸነሶም፡ ኣይሰምዖምን። 26 እቲ ንጉስ ድማ ንባሩኽ እቲ ጸሓፍን ንኤርምያስ እቲ ነብይን
ኪሕዙስ ንይርሕሚኤል ወዲ ንጉስን ንሰራያ ወዲ ዓዝርኤልን ንሸለምያ ወዲ ዓብድኤልን ኣዘዞም፡ ግናኸ
እግዚኣብሄር ሰወሮም። 27 እቲ ንጉስ ነታ ጥቕልልቲ መጽሓፍን ነተን ባሩኽ ካብ ኣፍ ኤርምያስ ዝጸሐፈን
ቃላትን ናብ ሓዊ ምስ ኣንደደን፡ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ 28 ከም ብሓድሽ
ካልእ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ውሰድ እሞ ነተን ኣብታ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ ዘንደዳ ቐዳመይቲ ጥቕልልቲ
መጽሓፍ ዝነበረ ኹለን ቀደም ቃላት ኣብኣ ጽሐፈን። 29 ብዛዕባ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ ኸኣ፡ እግዚኣብሄር
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ክትብል ኢኻ፡ ንስኻ፡ እቲ ንጉስ ባቢሎን ብርግጽ ኪመጽእ፡ ነዛ ሃገር እዚኣ ኸኣ
ኬጥፍኣ፡ ካብኣውን ሰብን እንስሳን ኬጽንት እዩ፡ ኢልካ ዝጸሐፍካስ ስለምንታይ ኢኻ እናበልካ ነታ
ጥቕልልቲ መጽሓፍ ብሓዊ ኣንደድካያ። 30 ስለዚ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ካብ ዘርኡ ሓደ እኳ ኣብ ዝፋን ዳዊት ዚቕመጥ ኣይኪረክብን እዩ። ሬሳኡ ድማ መዓልቲ ኣብ
ሃሩር፡ ለይቲ ኣብ ቍሪ ኺድርበ እዩ። 31 ንእኡን ንዘርኡን ንባሮቱን ብሰሪ ኣበሳኦም ክቐጽዖም እዩ።
ምስማዕ ኣብዮም እዮም እሞ፡ ኣባታቶምን ኣብቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ዘለዉን ኣብ ሰብ ይሁዳን
ኩሉ እቲ እተዛረብኩሎም መዓት ከውርደሎም እየ። 32 ሽዑ ኤርምያስ ካልእ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ወሲዱ
ንባሩኽ፡ ወዲ ኔርያ እቲ ጸሓፊ፡ ሀቦ። ንሱውን ነተን ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ ኣብ ሓዊ ዘንደደን ኲላተን
ቃላት እታ መጽሓፍ ካብ ኣፍ ኤርምያስ ኣብኣ ጸሐፈን። ካልእውን ንእኤን ዚመስል ብዙሕ ቃላት
ተወሰኾ።

# ምዕራፍ 37

1 እቲ፡ ነብካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ኣብ ሃገር ይሁዳ ዘንገሶ ጼድቅያስ ወዲ ዮስያስ ኣብ ክንዲ ኢኮንያ
ወዲ ዮኣቂም ነገሰ። 2 ግናኸ ንሱን ባሮቱን ህዝቢ እታ ሃገርን ነታ እግዚኣብሄር ብነብዩ ኤርምያስ ገይሩ
እተናገሮ ቓል ኣይሰምዑን። 3 ንጉስ ጼድቅያስ ከኣ ንዮካል ወዲ ሸልምያን ንጸፋንያ፡ ወዲ መኣስያ እቲ
ኻህንን፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ለምነልና፡ ኪብልዎ ናብ ነብዩ ኤርምያስ ለኣኾም። 4 ንኤርምያስ ገና
ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣየእተውዎን ነበሩ እሞ፡ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ይኣቱን ይወጽእን ነበረ። 5 ሰራዊት
ፈርኦን ካብ ግብጺ ነቕለ፡ እቶም ንየሩሳሌም ከቢቦምዋ ዝነበሩ ከለዳውያን ከኣ እዚ ወረ እዚ ሰምዑ እሞ
ኻብ የሩሳሌም ተዛሕጡ። 6 ሽዑ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ነብዩ ኤርምያስ መጸ፡ 7-8
እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል፡ እንሆ፡ እቲ ኺረድኣኩም ኢሉ ዝወጸ ሰራዊት ፈርኦን ናብ ሃገሩ፡ ናብ
ግብጺ ኺምለስ እዩ። ከለዳውያን ከኣ ተመሊሶም ነዛ ኸተማ እዚኣ ኺዋግእዋ፡ ሒዞም ድማ ብሓዊ
ኺንድድዋ እዮም፡ ይብል ኣሎ ኢልኩም፡ ነቲ ኽትሐቱኒ ኢሉ ናባይ ዝሰደድኩም ንጉስ ይሁዳ ንገርዎ። 9
እግዚኣብሄር ከኣ ይብል ኣሎ፡ እቶም ከለዳውያን ኣይኪለቁን እዮም እሞ፡ ብርግጽ ኪለቁልና እዮም፡
ኢልኩም ንርእስኹም ኣይትጠብሩ፡ 10 ንብዘሎ እቲ ዚዋግኣኩም ሰራዊት ከለዳውያን እኳ እንተ
ሰዐርኩምዎ እሞ ገለ ውጉኣት ሰባት ጥራይ ካብኦም እንተ ተረፉ፡ እዚኣቶም ነፍሲ ወከፍ ኣብ ደድንኳኑ
ምተንስኤ፡ ነዛ ኸተማ እዚኣ ድማ ብሓዊ መንደድዋ። 11 ኰነ ድማ፡ ሰራዊት ከለዳውያን ብምኽንያት
ሰራዊት ፈርኦን ካብ የሩሳሌም ምስ ተዛሕጠ፡ 12 ሽዑ ኤርምያስ ካብ የሩሳሌም ወጺኡ ብጽሒት ርስቱ

ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ኺወስድ፡ ናብ ምድሪ ብንያም ከደ። 13 ናብ ደገ ብንያም ምስ በጽሔ ድማ፡ ሓደ
ሓለቓ ሓለውቲ ይርያ ዝስሙ፡ ወዲ ሸልምያ ወዲ ሃናንያ፡ ኣብኡ ነበረ፡ ንነብዪ ኤርምያስ ድማ፡ ናብ
ከለዳውያን ኢኻ ትጸሉቕ ዘሎኻ፡ ኢሉ ሐዞ። 14 ኤርምያስ ከኣ፡ ሓሶት እዩ፡ ናብ ከለዳውያን
ኣይጸለቕኩን፡ ኢሉ መለሰ። ይርያ ግና ኣይሰምዖን፡ ንኤርምያስ ሒዙውን ናብ መሳፍንቲ ወሰዶ። 15
እቶም መሳፍንቲ ድማ ንኤርምያስ ኲረዩሉን ወቕዕዎን፡ ኣብ ቤት ዮናታን እቲ ጸሓፊ ኸኣ፡ ንእኣ ቤት
ማእሰርቲ ገይሮምዋ ነበሩ እሞ፡ ኣብኣ ኣሰርዎ። 16 ሽዑ ኤርምያስ ኣብቲ ጒድጓድ ቤት ማእሰርቲ ኣብቲ
በዓቲ ኣተወ። ኣብኡ ብዙሕ መዓልቲ ምስ ገበረ ኸኣ፡ 17 ሽዑ ንጉስ ጼድቅያስ ልኢኹ ኣምጽኦ። ኣብ ቤቱ
ድማ ብሕቡእ፡ ካብ እግዚኣብሄር ዝመጸ ቓልዶ ኣሎ ኢሉ ሐተቶ። ኤርምያስ ከኣ፡ እወ ኣሎ፡ በለ፡ ንስኻ
እኳ ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ክትውፈ ኢኻ፡ ኢሉውን መለሰ። 18 ድሕሪኡ ኤርምያስ ንንጉስ ጼድቅያስ፡
ንኣኻን ንባሮትካን ነዚ ህዝቢ እዝን እንታይ በዲለ እየ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘእቶኻኒ በሎ። 19 እቶም፡
ንጉስ ባቢሎን ኣባኹምን ኣብዛ ሃገር እዚኣን ኣይኪመጽእን እዩ፡ ኢሎም ዚንበዩልኩም ዝነበሩ ነብያት
ደኣ ኣበይ ኣለዉ 20 እምበኣርሲ ኣታ ጐይታይ ንጉስ፡ ጥርዓነይ ኣብ ቅድሜኻ ቅቡል ይኹን፡ ኣብኣ
ኸይመውትሲ ኸም ብሓድሽ ናብ ቤት ዮናታን እቲ ጸሓፊ ኣይትምለሰኒ፡ ድማ በሎ። 21 ንጉስ ጼድቅያስ
ከኣ፡ ኤርምያስ ኣብቲ መካበብያ ቤት ማእሰርቲ ኪኸውን፡ ኣብ ጸጽባሕ ድማ፡ ክሳዕ ኣብታ ኸተማ
እንጌራ ዚሰኣን፡ ካብ ዕዳጋ ጋገርቲ ሓንቲ እንጌራ ኺህብዎ ኣዘዘ። ኤርምያስ ከኣ ኣብቲ መካበብያ ቤት
ማእሰርቲ ተቐመጠ።

# ምዕራፍ 38

1 ወፉጥያ ወዲ መታንን ገዳልያ ወዲ ጳሽሑርን ዩካል ወዲ ሸልማያን ጳሽሑር ወዲ መልክያን ነቲ
ኤርምያስ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኢሉ ንኹሉ ህዝቢ እተዛረቦ ቓላት ሰምዑ፡ 2 ኣብዛ ኸተማ
እዚኣ ዚቕመጥ ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን ኪመውት እዩ፡ ናብ ከለዳውያን ዚኣቱ ግና ብህይወት
ኪነብር፡ ነፍሱ ድማ ዘመታኡ ኸትኰነሉ እያ፡ ብህይወት ከኣ ኪነብር እዩ፡ 3 እዛ ኸተማ እዚኣ ብርግጽ
ኣብ ኢድ ሰራዊት ንጉስ ባቢሎን ክትውፈ እያ፡ ንሱውን ኪሕዛ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 4 እቶም
መሳፍንቲ ኸኣ ነቲ ንጉስ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ጒድኣት እዚ ህዝቢ እዚ እምበር፡ ደሓኑ ዘይደሊ ስለ ዝኾነ፡
ከምዚ ዘመሰለ ቓላት እናተዛረቦም፡ ኣእዳው እቶም ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ተሪፎም ዘለዉ ተዋጋእትን፡
ኣእዳው ኲሉ ህዝብን የድክም ኣሎ እሞ፡ ነዚ ሰብኣይ እዚ ኣቕትሎ ደኣ፡ በሉ። 5 ንጉስ ጼድቅያስ ከኣ፡
ንጉስ ኪገጥመልኩም ኣይከኣሎን እዩ እሞ፡ እንሆ፡ ንሱ ኣብ ኢድኩም እዩ፡ በለ። 6 ሽዑ ንኤርምያስ
ወሲዶም፡ ናብታ ኣብ መካበብያ ቤት ማእሰርቲ ዝነበረት ዔላ ናይ መልክያ ወዲ ሃሜሌክ ደርበይዎ፡
ንኤርምያስ በግማድ ገይሮም ኣውረድዎ። ኣብቲ ዔላውን ጭቃ እምበር፡ ማይ ኣይነበረን እሞ ኤርምያስ
ኣብቲ ጭቃ ተዋሕጠ። 7 እቲ ኣብ ቤት ንጉስ ዝነበረ ስሉብ ኢትዮጵያዊ ዔብድ ሜሌክ ንኤርምያስ
ናብታ ዔላ ኸም ዘእተውዎ ሰምዔ፡ ሽዑ እቲ ንጉስ ኣብታ ደገ ብንያም ተቐሚጡ ነበረ፡ 8-9 ዔብድ
ሜሌክ ከኣ ካብ ቤት ንጉስ ወጺኡ፡ ንንጉስ፡ ኣታ ጐይታይ ንጉስ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብቲ ናብ ዔላ
ዝደርበይዎ ነብዪ ኤርምያስ ዝገበርዎ ኹሉስ እከይ ገይሮም ኣለዉ፡ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ እንጌራ የልቦን
እሞ፡ ንሱ ኣብታ ዘለዋ ብጥሜት ኪመውት እዩ፡ ኢሉ ነገሮ። 10 እቲ ንጉስ ድማ ነቲ ኢትዮጵያዊ ዔብድ
ሜሌክ፡ ካብዚ ሰላሳ ሰብኣይ ተማላእ እሞ ንነብዪ ኤርምያስ ከይሞተ ኻብታ ዔላ ኣውጽኦ፡ ኢሉ
ኣዘዞ። 11 ዔብድ ሜሌክ ከኣ ነቶም ሰብኡት ተማሊኡ፡ ናብ ኣዳራሽ ንጉስ ኣብ ትሕቲ እቲ ቤት መዝገብ

ኣትዩ፡ ካብኣ ቖዳድ ኣጭርቐትን ብላይ ክዳውንትን ወሰደ እሞ ብገመድ ገይሩ ናብታ ዔላ ናብ ኤርምያስ
ኣውረዶ። 12 እቲ ኢትዮጵያዊ ዔብድ ሜሌክ ድማ ንኤርምያስ፡ እዚ ቖዳድ ኣጭርቐትን ብላይ
ክዳውንትን ኣብ ትሕቲ ትሽትሽካ ኣብ ትሕቲ ኣግማድ ግበሮ፡ በሎ። ኤርምያስ ከኣ ከምኡ ገበረ። 13
ንሳቶም ድማ ንኤርምያስ በግማድ ስሒቦም ካብቲ ዔላ ኣውጽእዎ። ኤርምያስ ከኣ ኣብቲ መካበብያ ቤት
ማእሰርቲ ተቐመጠ። 14 ሽዑ ንጉስ ጼድቅያስ ናብ ነብዩ ኤርምያስ ለኣኸ፡ ናብታ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር
ዘላ ሳልሰይቲ ኣፍ ደገ ኸኣ ናብኡ ኣምጽኡ። እቲ ንጉስውን ንኤርምያስ፡ ሓንቲ ነገር ዝሐተካ ኣላትኒ እሞ፡
ሓንቲ እኳ ኣይትሕብኣለይ፡ በሎ። 15 ኤርምያስ ድማ ንጼድቅያስ፡ እንተ ነገርኩኻ፡ ብርግጽዶ
ኣይትቐትለንን ኢኻ እንተ መኸርኩኻ ኸኣ፡ ኣይክትሰምዓንን ኢኻ፡ በሎ። 16 ሽዑ ንጉስ ጼድቅያስ
ንኤርምያስ፡ ከይቀትለካን ኣብ ኢድ እዞም ነፍስኻ ዚደልዩ ዘለዉ ኣሕሊፈ ኸይህበካን፡ እዛ ነፍሲ እዚኣ
ዝገበረልና እግዚኣብሄር ህያው እዩ፡ ኢሉ ብሕቡእ መሐለሉ። 17-18 ሽዑ ኤርምያስ ንጼድቅያስ፡ ወጺእካ
ናብቶም መሳፍንቲ ንጉስ ባቢሎን እንተ ኸድካ፡ ነፍስኻ ብህይወት ክትነብር እያ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ድማ
ብሓዊ ኣይክትነድድን እያ፡ ንስኻን ቤትካን ከኣ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም። ግናኸ ወጺእካ ናብ
መሳፍንቲ ንጉስ ባቢሎን እንተ ዘይከድካ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ናብ ኢድ ከለዳውያን ክትውፈ፡ ንሳቶም ከኣ
ብሓዊ ኺንድድዋ እዮም፡ ንስኻውን ካብ ኢዶም ኣይከተምልጥን ኢኻ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ኣምላኸ
ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ኢሉ ነገሮ። 19 ንጉስ ጼድቅያስ ድማ ንኤርምያስ፡ ኣብ ኢድ እቶም ናብ
ከለዳውያን ዝኣተዉ ኣይሁድ ኣሕሊፎም ከይህብኒ እሞ ከየላግጹለይ እፈርህ ኣሎኹ፡ በሎ። 20
ኤርምያስ ከኣ፡ ኣሕሊፎም ኣይኪህቡኻን እዮም፡ በለ። ኪቐንዓካ ነፍስኻውን ብህይወት ክትነብርሲ፡
ኣብዛ ኣነ ዝብለካ ዘሎኹ ቓል ንድምጺ እግዚኣብሄር ደኣ ስማዕ። 21 ኣይወጽእን ኢልካ እንተ ኣቢኻ ግና፡
እቲ እግዚኣብሄር ዘርኣየኒ ነገር እዚ እዩ፡ 22 እንሆ፡ ኲለን እተን ኣብ ቤት ንጉስ ይሁዳ ተሪፈን ዘለዋ
ኣንስቲ ናብቶም መሳፍንቲ ንጉስ ባቢሎን ኬውጽእወን እዮም እሞ፡ ፈተውትኻ ጠበሩኻን ኣስድዑኻን፡
ኣእጋርካ ኣብ ተኺላ ተሸርባ፡ ንሳቶም ከኣ ኣድሐርሐሩ፡ ኪብላ እየን። 23 ኲለን ኣንስትኻን ደቅኻን ናብ
ከለዳውያን ኬውጽእዎም እዮም፡ ንስኻውን ብኢድ ንጉስ ባቢሎን ክትትሐዝ ኢኻ እምበር፡ ካብ ኢዶም
ኣይከተምልጥን ኢኻ፡ እዛ ኸተማ እዚኣ ድማ ብሰርኻ ብሓዊ ኽትነድድ እያ፡ በለ። 24 ሽዑ ጼድቅያስ
ንኤርምያስ፡ ከይትመውትሲ፡ ነዘን ቃላት እዚኤን ሓደ እኳ ኣይፍለጠን፡ በሎ። 25 እቶም መሳፍንቲ
ምሳኻ ኸም እተዛረብኩ እንተ ሰምዑ፡ ናባኻ መጺኦም ድማ፡ ንንጉስ እንታይ ከም ዝበልካዮ፡ እቲ ንጉስ
ድማ እንታይ ከም ዝበለካ ኸይሐባእካ ንገረና እሞ ኣይክንቀትለካን ኢና። እንተ በሉኻ፡ 26 ንስኻ ድማ፡
ኣብኣ ኸይመውትሲ ናብ ቤት ዮናታን ከም ብሓድሽ ኣይትምለሰኒ፡ ኢለ እየ ኣብ ቅድሚ ንጉስ
ዝለመንኩ፡ በሎም። 27 ኲሎም እቶም መሳፍንቲ ናብ ኤርምያስ መጺኦም ሐተትዎ። ንሱ ኸኣ ከምተን
እቲ ንጉስ ዝኣዘዘን ኲለን ቃላት ገይሩ ተዛረቦም። እቲ ነገር ኣይተሰምዔን ነበረ እሞ፡ ትም ኢሎም
ከዱሉ። 28 ኤርምያስ ድማ ክሳዕ እታ የሩሳሌም እተታሕዘትላ መዓልቲ ኣብ መካበብያ ቤት ማእሰርቲ
ተቐሚጡ ነበረ። የሩሳሌም ክትትሐዝ ከላ ኸኣ ኣብኣ ነበረ።

## ምዕራፍ 39

1 ኣብ ታስዓይ ዓመቱን ኣብ ዓስራይ ወርሑን ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎንን
ኲሎም ሰራዊቱን መጺኦም ንየሩሳሌም ከበብዋ። 2 ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመቱ ንጼድቅያስ፡ ኣብ
ራብዓይ ወርሒ፡ ነቲ ወርሒ ድማ ኣብ ታስዓይ መዓልቱ፡ እታ ኸተማ ጋህ ኢላ ተኸፍተት። 3 ሽዑ

ኹሎም መሳፍንቲ ንጉስ ባቢሎን ኣብኣ ኣተዉ፡ ኔርጋል ሸሬጽር፡ ስምጋር ኔቡ፡ ሳርስኪም እቲ ሓለቓ
ስሉባት፡ ኔርጋል ሸሬጽር ሓለቓ ፈላጦ፡ ምስ ኩሎም እቶም ካልኦት መሳፍንቲ ንጉስ ባቢሎን ከኣ ኣብታ
ማእከለይቲ ደገ ተቐመጡ። [4] ኰነ ኸኣ፡ ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳን እቶም ተዋጋእቲ ሰባትን ምስ ረኣይዎም፡
ብለይቲ ኻብታ ኸተማ በቲ መገዲ ኣታኽልቲ ንጉስ፡ በታ ኣብ መንጎ እቲ ኽልተ ቐጽሪ ዘላ ደገ ወጺኦም
ሀደሙ። ንሱውን መገዲ ጐልጐል ሒዙ ወጸ። [5] ሰራዊት ከለዳውያን ግና እናጐየዩ ሰዐብዎም፡ ንጼድቅያስ
ከኣ ኣብ መሮር ያሪኮ ኣርከብዎ። ሒዞም ድማ ናብ ነብካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ኣብ ሪብላ ኣብ ሃገር
ሃማት ኣምጽእዎ። ንሱውን ፍርዱ ተዛረበ። [6] ሽዑ ንጉስ ባቢሎን ንደቂ ጼድቅያስ ኣብ ሪብላ፡ ኣብ ቅድሚ
ዓይኑ ሐረዶም፡ ንኹሎም እቶም ከበርቲ ይሁዳ ኸኣ ንጉስ ባቢሎን ሐረዶም። [7] ንጼድቅያስ ኣዒንቱ
ኣንቈሮ፡ ናብ ባቢሎን ኪወስዶ ድማ፡ ብድርብ መቕሑ ነሓሲ ኣሰሮ። [8] እቶም ከለዳውያን ከኣ ንቤት
ንጉስን ነባይቲ ህዝብን ብሓዊ ኣንደድወን፡ ቀጽርታት የሩሳሌም ድማ ኣፍረሱ። [9] ናቡዘራዳን ሓለቓ
ዘብዔኛታት ነቲ ኣብታ ኸተማ ዝተረፈ ህዝብን ነቶም ቅድም ኣብኡ ዝኣተዉን ነቲ ተረፍ ህዝብን ማረኹ
ናብ ባቢሎን ወሰዶም። [10] ነቶም ሓንቲ እኳ ዜብሎም ድኻታት ህዝቢ ግና ናቡዘራዳን ሓለቓ
ዘብዔኛታት ኣብ ሃገር ይሁዳ ይቀመጡ ሐደጎም፡ ቦታ ኣታኽልቲ ወይንን ግርሁን ከኣ ሀቦም። [11-12]
ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ድማ ንናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ብዛዕባ ኤርምያስ፡ ውሰዶ እሞ
ብጽቡቕ ዓይኒ ርኣዮ፡ ከምቲ ዚብለካ ደኣ ግበረሉ እምበር፡ ገለ ኽፉእ ኣይትግበሮ፡ ኢሉ ኣዘዞ። [13] ሽዑ
ናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ናቡሻዝባን ሓለቓ ስሉባትን ኔርጋል ሸሬጽር ሓለቓ ፈላጦን ኩሎም
መኳንንቲ ንጉስ ባቢሎንን ለኣኹ፡ [14] ልኢኾም ንኤርምያስ ካብ መካበብያ ቤት ማእሰርቲ ኣውጽእዎ።
ንገዳልያ። ወዲ ኣሂቃም ወዲ ሻፋን፡ ናብ ቤቱ ኺወስዶ ሀብዎ። በዚ ኸምዚ ድማ ኣብ ማእከል እቲ
ህዝቢ ተቐመጠ። [15] ኤርምያስ ኣብቲ መካበብያ ቤት ማእሰርቲ ተኣሲሩ ኸሎ ኸኣ፡ ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ናብኡ መጸ፡ [16] ኬድካ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ
ኢልካ ነቲ ኢትዮጵያዊ ዔብድ ሜሌክ ንገሮ፡ እንሆ፡ ነተን ኣብዛ ኸተማ እዚኣ እተዛረብክወን ቃላት
ንመዓታ እምበር፡ ንደሓና ዘይኰነ ኸውርደላ እየ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ኣብ ቅድሜኻ ኺፍጸማ
እየን። [17] በታ መዓልቲ እቲኣ ኸናፍግፈካ እየ፡ ንስኻ ድማ ኣብ ኢድ እቶም እተፈርሆም ዘሎኻ ሰባት
ኣይክትውሀብን ኢኻ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [18] ኣባይ ስለ እተወከልካ፡ ኣነ ብርግጽ ከድሕነካ እየ እሞ፡
ነፍስኻ ዘመተ ኽትኰነልካ እያ እምበር፡ ብሰይፊ ኣይክትወድቕን ኢኻ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 40

[1] ኤርምያስ ኣብ ማእከል እቶም ካብ የሩሳሌምን ይሁዳን ናብ ባቢሎን ተማሪኾም ዚኸዱ ኹሎም
ምሩኻት ብሰንሰለት ተኣሲሩ ኸሎ፡ ናብዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ምስ ኣምጽኦ ኻብ ራማ ፈቲሑውን
ምስ ፈነዎ፡ ካብ እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ ቃል መጸ። [2] እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ከኣ ንኤርምያስ
ኣምጺኡ በሎ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እዚ መዓት እዚ ነዛ ቦታ እዚኣ ተናጊሩላ ነበረ። [3] እግዚኣብሄር
ድማ ኣምጽኦ፡ ከምቲ እተናገሮ ኸኣ ገበረ። ንእግዚኣብሄር ስለ ዝበደልኩምዎ፡ ድምጹውን ስለ
ዘይሰማዕኩም፡ ስለዚ እዚ ነገር እዚ በጽሓኩም። [4] ሕጂ ኸኣ እንሆ፡ ሎሚ ኻብቲ ኣብ ኣእዳውካ ዘሎ
ሰንሰለት እፈትሓካ ኣሎኹ። ናብ ባቢሎን ምሳይ ክትከይድ ፍታውካ እንተ ኾነ፡ ንዓናይ፡ ኣነውን
ብጽቡቕ ዓይኒ ኽርእየካ እየ። ምሳይ ናብ ባቢሎን ክትከይድ ባህ እንተ ዘይበለካ ግና፡ ተቐመጥ፡ እንሆ፡
ኩሉ እዚ ሃገር ኣብ ቅድሜኻ እዩ፡ ናብቲ ኽትከዶ ጽቡቕን ቅኑዕን ኰይኑ እተራእህየካ ናብኡ ኺድ። [5]

ንምምላስ ምስ ደንጐየ፡ ደጊሙ፡ ናብቲ ንጉስ ባቢሎን ኣብ ልዕሊ ኸተማታት ይሁዳ ዝሸሞ ገዳልያ፡ ወዲ
ኣሂቃም ወዲ ሻፋን፡ ተመለስ፡ ምስኡውን ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተቐመጥ፡ ወይስ ኣብቲ ቕኑዕ ኰይኑ
እተራእየካ ኺድ፡ በሎ። እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ከኣ ስንቅን ህያብን ሂቡ ኣሰናበቶ። [6] ሽዑ ኤርምያስ ናብ
ገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ኣብ ሚጽጳ ኸደ እሞ፡ ምስኡ ኣብ ማእከል እቶም ኣብታ ሃገር ተሪፎም ዝነበሩ
ህዝቢ ተቐመጠ። [7] ኵሎም እቶም ኣብ ሃገረ ሰብ ዝነበሩ ሓላቑ ሰራዊት፡ ንሳቶምን ሰቦምን፡ እቲ ንጉስ
ባቢሎን ንገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ከም ዝሸሞ እሞ ንሰብኡትን ኣንስትን ቈልዑን
ነቶም ናብ ባቢሎን ከይተማረኹ ተሪፎም ዝነበሩ ድኻታት እታ ሃገርን ከም ዘማዕቈቦ ምስ ሰምዑ፡ [8]
እስማኤል ወዲ ነታንያ፡ ዮሃናንን ዮናታንን ደቂ ቃሬሃ፡ ሰራያ ወዳ ተንሁሜት ደቂ ኤፋይ እቲ
ነጦፋታይ፡ ይዘንያ ወዲ ማእካታዊ፡ ንሳቶምን ሰቦምን ናብ ገዳልያ ኣብ ሚጽጳ መጹ። [9] ገዳልያ፡ ወዲ
ኣሂቃም ወዲ ሻፋን፡ ንኣታቶምን ንሰቦምን ከምዚ ኢሉ መሐለሎም፡ ንከለዳውያን ከይፈራህኩም
ተገዝእዎም። ንንጉስ ባቢሎን ተገዝኡ፡ ኣብዛ ሃገር ከኣ ተቐመጡ እሞ ደሓን ክትረኽቡ ኢኹም። [10]
እንሆ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ናባና ዚመጹ ከለዳውያን ክቐውምሲ ኣብ ሚጽጳ ክቕመጥ እየ፡
ንስኻትኩም ግና ወይንን ፍረን ዘይትን ኣክቡ፡ ኣብ ኣቓሑኹም ከኣ ኣንብሩ እሞ ኣብተን ዝሐዝኩምወን
ከተማታትኩም ተቐመጡ። [11] ኵሎም እቶም ኣብ ሞኣብን ኣብ ማእከል ደቂ ዓሞንን ኣብ ኤዶምን ኣብ
ኵሉ ሃገራትን ዝነበሩ ኣይሁድ ከኣ እቲ ንጉስ ባቢሎን ኣብ ይሁዳ ተረፍ ከም ዝሐደገ፡ ንገዳልያ፡ ወዲ
ኣሂቃም ወዲ ሻፋን ድማ ከም ዝሸመሎም ምስ ሰምዑ፡ [12] ሽዑ ኹሎም ኣይሁድ ከካብቲ ተሰጒጎምዎ
ዝነበሩ ኹሉ ቦታ ተመልሱ እሞ ናብ ሃገር ይሁዳ ናብ ገዳልያ ኣብ ሚጽጳ ኣተዉ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ወይንን
ፍረን ድማ ኣከቡ። [13] ዮሃናን ወዲ ቃሬሃን ኵሎም እቶም ኣብ ሃገር ሰብ ዝነበሩ ሓላቑ ሰራዊትን ናብ
ገዳልያ ኣብ ሚጽጳ መጹ እሞ፡ [14] ብዓሊስ ንጉስ ደቂ ዓሞን ንእስማኤል ወዲ ነታንያ ኪቐትለካ ኢሉ ኸም
ዝሰደዶዶ ትፈልጥ ኣሎኻ በልዎ። ገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ግና ኣይኣመኖምን። [15] ዮሃናን ወዲ ቃሬሃ
ንገዳልያ ኣብ ሚጽጳ፡ እቶም ኣባኻ እተኣከቡ ኣይሁድ ፋሕ ኪብሉ፡ እቶም ተረፍ ይሁዳ ድማ
ኪጠፍኡስ፡ ስለምንታይ እስማኤል ወዲ ነታንያ ንኣኻ ዚቐትለካ ሓደ እኳ ኸይፈለጠ ኸይደ ክቐትሎ
ኾታ ሕደገኒ፡ ኢሉ ብሕቡእ ተዛረቦ። [16] ገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ግና ንዮሃናን ወዲ ቃሬሃ፡ ንስኻ
ንእስማኤል ትሕስወሉ ኢኻ ዘሎኻ እሞ፡ እዚ ነገር እዚ ኣይትውዐሎ፡ በሎ።

## ምዕራፍ 41

[1] ኰነ ኸኣ፡ ኣብቲ ሳብዓይ ወርሒ እቲ ኻብ ዘርኢ ንጉስን ካብ መኳንንቲ ንጉስን ዝነበረ እስማኤል፡
ወዲ ነታንያ ወዲ ኤሊሻማዕ፡ ዓሰርተ ሰብ ሒዙ ናብ ገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ናብ ሚጽጳ መጸ። ኣብኡ ኣብ
ሚጽጳ ኸኣ ሐቢሮም እንጌራ በልዑ። [2] ሽዑ እስማኤል ወዲ ነታንያን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ዓሰርተ ሰብን
ተንሲኦም ነቲ ንጉስ ባቢሎን ኣብ ልዕሊ እቲ ሃገር ሸይሞዎ ዝነበረ ገዳልያ፡ ወዲ ኣሂቃም ወዲ ሻፋን፡
ብሰይፊ ቀንጺሎም ቀተልዎ። [3] እስማኤል ከኣ ነቶም ምስ ገዳልያ ኣብ ሚጽጳ ዝነበሩ ኹላቶም ኣይሁድን
ነቶም ከለዳውያን ኣብኡ ዝጸንሑ ተዋጋእትን ቀተሎም። [4] ኰነ ኸኣ ኣብ ጽባሕ እቲ ንገዳልያ ዝቐተለሉ፡
ሓደ እኳ ኸይፈለጦ ኸሎ፡ [5] ካብ ሴኬምን ካብ ሲሎን ካብ ሰማርያን ጭሕሞም ዝላጸዩ፡ ክዳኖም
ዝቐደዱ፡ ሰብነቶም ዘቚሰሉ ሰማንያ ሰብ መስዋእቲ ብልዕን ዕጣንን ኣብ ኢዶም ሒዞም፡ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ኬቕርቡ መጹ። [6] እስማኤል ወዲ ነታንያ ኸኣ ካብ ሚጽጳ እናበኸየ ኪቕበሎም ወጸ። ኰነ
ኸኣ፡ ምስ ተቐበሎም፡ ንዑናይ፡ ናብ ገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ንኺድ፡ በሎም። [7] ኣብ ማእከል ከተማ ምስ

ኣተዉ ግና፡ እስማኤል ወዲ ነታንያ ምስቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰባት ኲይኑ ሐረዶም፡ ኣብ ዔላ ኸኣ
ደርበዮም። [8] ካብኦም ድማ ዓሰርተ ሰብ ንእስማኤል፡ ሕቡእ መዝገብ፡ ስርናይን ስገምን ዘይትን መዓርን
ኣብ መሮር ኣሎና እሞ፡ ኣይትቕተለና፡ ዚብልዎ ተረኽቡ፡ ንሱውን ምስቶም ኣሕዋቶም ከይቀተለ
ሐደጎም። [9] እታ፡ እስማኤል ንኹሉ ሬሳታት እቶም ዝቐተሎም ሰባት ኣብ ጥቓ ገዳልያ ዝደርበየላ ዔላ፡
ንሳ ንጉስ ኣሳ ንባዕሳ ንጉስ እስራኤል ፈሪሁ ዘግበራ እያ፡ ንእኣ እስማኤል ወዲ ነታንያ በቶም ቅቱላት
መልኣ። [10] እስማኤል ከኣ ነቶም ኣብ ሚጽጳ ዝነበሩ ኹሎም ተረፍ ህዝቢ፡ ነዋልድ ንጉስን ንኹሉ እቲ
ናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ንገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ዘማዕቈቦ ኣብ ሚጽጳ ዝተረፈ ህዝብን ማሪኹ
ወሰዶም እሞ ናብ ደቂ ዓሞን ኪኣቱ ነቐለ። [11] ዮሃናን ወዲ ቃሬሃን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ኹሎም ሓላቑ
ሰራዊትን እቲ እስማኤል ወዲ ነታንያ ዝገበሮ ኹሉ እኩይ ምስ ሰምዑ፡ [12] ኲሉ ሰቦም ሒዞም
ንእስማኤል ወዲ ነታንያ ኺዋግእዎ ኸዱ እሞ ኣብቲ ኣብ ጊብዖን ዘሎ ብዙሕ ማያት ረኸብዎ። [13] ኰነ
ኸኣ፡ ኲሉ እቲ ምስ እስማኤል ዝነበር ህዝቢ ንዮሃናን ወዲ ቃሬሃን ነቶም ምስኡ ዝነበሩ ኹሎም ሓላቑ
ሰራዊትን ምስ ረኣየ፡ ተሐጕሰ። [14] ኲሉ እቲ እስማኤል ካብ ሚጽጳ ማሪኹ ዝወሰዶ ህዝቢ ኸኣ ተገልበጠ
ናብ ዮሃናን ወዲ ቃሬሃውን ተመሊሱ ኸደ። [15] እስማኤል ወዲ ነታንያ ግና ምስ ሸሞንተ ሰብኣይ ካብ
ዮሃናን ኣምለጠ፡ ናብ ደቂ ዓሞን ከኣ ኸደ። [16] ሽዑ ዮሃናን ወዲ ቃሬሃን እቶም ምስኡ ዝነበሩ ኹሎም
ሓላቑ ሰራዊትን ነቲ፡ እሰማኤል ወዲ ነታንያ ንገዳልያ ወዲ ኣሂቃም ምስ ቀተሎ፡ ካብ ሚጽጳ ማሪኹ
ዝወሰዶ ኹሉ ተረፍ እቲ ህዝቢ፡ ነቶም ካብ ጊብዖን ዘምለሶም ተዋጋእትን ኣንስትን ቈልዑን ስሉባት
ካብኡ ወሰዶም፡ [17-18] እስማኤል ወዲ ነታንያ፡ ነቲ ንጉስ ባቢሎን ኣብ ልዕሊ እታ ሃገር ዝሸሞ ገዳልያ
ወዲ ኣሂቃም ስለ ዝቐተሎ፡ በቶም ከለዳውያን ይፈርሁ ነበሩ እሞ፡ ኣብ ምስሪ ኺኣትዉ ኢሎም ነቕሉ፡
ኣብታ ኣብ ጥቓ ቤት ልሄም ዘላ ቤት ጋሻ ናይ ኬምሃም ከኣ ሰፈሩ።

## ምዕራፍ 42

[1] ሽዑ ኹሎም ሓላቑ ሰራዊትን ዮሃናን ወዲ ቃሬሃን ይዘንያ ወዲ ሆሻዕያን ኲሉ እቲ ህዝቢውን ካብ
ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብዪ ቐሪቡ፡ [2-3] ንነብዪ ኤርምያስ ድማ፡ ኣዒንትኻ ይርእያና ኽም ዘለዋ፡ ካብ ብዙሓት
ሒዶት ተሪፍና ኢና እሞ፡ ልማኖና ኾታ ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ። እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እንኸደላ
መገድን እንገብሮ ግብርን ኪሕብረልናስ፡ ስለ ኹሎም እዞም ተረፍ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ለምነልና፡
በልዎ። [4] ነብዪ ኤርምያስ ከኣ፡ ሰሚዔ ኣሎኹ፡ እንሆ፡ ከምቲ ቓልኩም ገይረ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ክልምኖ እየ። እግዚኣብሄር ዚመልሰልኩም ዘበለ ቓል ድማ ክነግርኩም፡ ሓንቲ እኳ ኣይክሐብኣልኩምን
እየ፡ በሎም። [5-6] ንሳቶም ከኣ ንኤርምያስ፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብኣኻ ገይሩ ዝሰደደልና ኹሉ
ቓላት እንተ ዘይገበርና፡ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎና ሓቀኛን እሙንን ምስክር ይኹነና። ንድምጺ
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ተኣዚዝና ደሓን ምእንተ ኽንረክብ፡ እንተ ጸቢቑ እንተ ኸፊኡ ንድምጺ እቲ
ናብኡ እንልእከካ ዘሎና እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኢና እንእዘዝ በልዎ። [7] ኰነ ኸኣ፡ ድሕሪ ዓሰርተ
መዓልቲ ቓል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ። [8] ንሱ ኸኣ ንዮሃናን ወዲ ቃሬናን ነቶም ምስኡ ዝነበሩ
ኺሎም ሓላቑ ሰራዊትን ንኹሉ እቲ ህዝቢ ካብ ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብይን ጸውዖም፡ [9] በሎም ከኣ፡ እቲ
ልማኖኹም ኣብኡ ከቕርበልኩም ዝለኣኽኩምኒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፡ [10]
ነቲ ዝገበርኩኹም እኩይ እጥዕስሉ ኣሎኹ እሞ፡ ኣብዛ ሃገር እዚኣ እንተ ተቐመጥኩምሲ፡ ክሀንጸኩም
እምበር፡ ኣይክፍርሰኩምን እየ፡ ክተኽለኩም እምበር፡ ኣይክምንቀሰኩምን እየ። [11] ኣነ ኽድሕነኩም ካብ

ኢዱውን ከናግፈኩምሲ ምሳኻትኩም እየ እሞ፡ ነቲ እትፈርህዎ ዘሎኹም ንጉስ ባቢሎን ኣይትፍርህዎ፡
ኣይትፍርህዎ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [12] ክምሕረኩም እየ፡ ንሱ ኸኣ ከም ዚምሕረኩምን ናብ ሃገርኩም
ከም ዚመልሰኩምን ክገብር እየ። [13-14] ግናኸ ንድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እንተ ዘይተኣዘዝኩም
እሞ፡ ኣይፋልናን፡ ናብታ ውግእ ዘይንርእየላ፡ ቃና መለኸት ዘይንሰምዓላ፡ እንጌራ ዘይንጠምየላ ሃገር
ግብጺ ግዒዝና ኽንቅመጥ ኢና እምበር፡ ኣብዛ ሃገር እዚኣስ ኣይንቕመጥን፡ እንተ በልኩም፡ [15]
እምበኣርስኸ ኣቱም ተረፍ ይሁዳ፡ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ
እሞ ቓል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ ናብ ግብጺ ንምእታው ገጽኩም እንተ መለስኩም፡ ኣብኣ
ኽትቅመጡውን እንተ ገዐዝኩም፡ [16] ሽዑ እቲ እትፈርህዎ ሰይፊ ኣብኣ፡ ኣብ ሃገር ግብጺ፡
ኬርክበኩም፡እቲ እትፈርህዎ ጥሜት ከኣ ናብኣ፡ ናብ ግብጺ ኺስዕበኩም እዩ እሞ ኣብኣ ኽትሞቱ
ኢኹም። [17] ኵሎም እቶም ኣብኣ ኪቕመጡ ኢሎም ገጾም ናብ ግብጺ ዝመለሱ ሰባት ኣብኣ ብሰይፍን
ብጥሜትን ብፌራን ኪሞቱ እዮም፡ ካባታቶም ከኣ ካብቲ ኣነ ዘውርደሎም መዓት ሓደ እኳ
ኣይኪተርፍን፡ ኣይኬምልጥንውን እዩ። [18] እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምቲ
ኹራይን ነድረይን ኣብቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ እተኻዕወ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ግብጺ ምስ ኣቶኹም፡
ነድረይ ናባኻትኩም ኪኩዖ እዩ፡ ንስኻትኩም ከኣ ንመሰክሕን ንመስደመምን ንመራገምን ንመጻረፍን
ክትኰኑ ድሕርዚውን ነዛ ቦታ እዚኣ ኣይክትርእይዋን ኢኹም፡ ይብል ኣሎ። [19] ኣቱም ተረፍ ይሁዳ፡
እግዚኣብሄር፡ ናብ ግብጺ ኣይትኺዱ፡ ኢሉ ተዛሪቡኩም እዩ። ኣነውን ነዚ ሎሚ ኽም
ዝመስከርኩልኩም፡ ኣርጊጽኩም ፍለጡ። [20] ንእግዚኣብሄር ኣምላኽና ለምነልና፡ ከምቲ እግዚኣብሄር
ኣምላኽና ዚብሎ ኹሉ ንገረና፡ ንሕና ድማ ክንገብሮ ኢና፡ ኢልኩም ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ልኢኽኩምኒ ኢኹም እሞ፡ በዝስ ንነፍስኹም ኢኹም ዝጠበርኩም። [21] እምበኣርሲ ሎሚ ኣፍሊጠኩም
እየ፡ ንስኻትኩም ግና በቲ ናባኻትኩም ዝለኣኸኒ ኹሉ ንድምጺ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም
ኣይተኣዘዝኩምን። [22] ስለዚ ኣብታ ኽትቅመጥዋ ኢልኩም ክትከድዋ እትደልዩ ዘሎኩም ቦታ ብሰይፍን
ብጥሜትን ብፌራን ከም እትሞቱ፡ ኣርጊጽኩም ፍለጡ።

# ምዕራፍ 43

[1] ኰነ ድማ፡ ኤርምያስ ንኹሉ እዚ ቓል እግዚኣብሄር ኣምላኾም፡ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኾም
ናባታቶም ዝለኣኾ ንኹሉ እቲ ህዝቢ ኹለን እተን ቃላት ምንጋር ምስ ወድኤ፡ [2-3] ሽዑ ኣዛርያ ወዲ
ሆሻዕያን ዮሃናን ወዲ ቃሬሃን ኲሎም እቶም ዕቡያት ሰብኡትን ንኤርምያስ፡ ኣታ፡ ሓሶት ተዛረብካ፡
ባሩኽ ወዲ ኔርያ ደኣ እዩ ናብ ኢድ ከለዳውያን ክንውፈን ንሳቶም ኪቐትሉናን ናብ ባቢሎን
ኪማርኹናን ኢሉ ኣባና ዜነድረካ ዘሎ እምበር፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽናስ፡ ኣብኡ ኽትቅመጡ ናብ ግብጺ
ኣይትግዐዙ በሎም፡ ኢሉ ኣይለኣኸካን፡ በልዎ። [4] ዮሃናን ወዲ ቃሬሃን ኲሎም ሓላቑ ሰራዊትን ኲሉ እቲ
ህዝብን ነቲ ኣብ ሃገር ይሁዳ ተቐመጡ ዚብሎም ቃል እግዚኣብሄር ኣይተኣዘዝዎን። [5] ዮሃናን ወዲ
ቃሬሃን ኲሎም ሓላቑ ሰራዊትን ነቶም ካብ ኲሎም እቶም ተሰጒጎምዎም ዝነበሩ ህዝብታት ናብ ሃገር
ይሁዳ ኪቕመጡ እተመልሱ ኹሎም ተረፍ ይሁዳ ምሳታቶም ወሰዱ፡ [6] ሰብኡትን ኣንስትን ቈልዑን
ኣዋልድ ንጉስን ኲሎም እቶም ናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ምስ ገዳልያ፡ ወዲ ኣሂቃም ወዲ ሻፋን፡
ዝሐደጎም ሰባትን ምሳታቶምውን ንነብዪ ኤርምያስን ንባሩኽ ወዲ ኔርያን ወሰዱ። [7] ንድምጺ
እግዚኣብሄር ኣይሰምዑን እሞ፡ ናብ ግብጺ ገዐዙ፡ ክሳዕ ታህጳኔስ ከኣ በጽሑ። [8] ሽዑ ኣብ ታህጳኔስ

ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኤርምያስ መጸ፡ [9] ዓበይቲ ኣእማን ብኢድካ ውሰድ እሞ ኣብታ ኣብ
ደገ ቤት ፈርኦን ኣብ ታህጳኔስ ዘላ ጭቃ ናይ እቶን ጡብ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቲ እቶም ሰብኡት ይሁዳ
ሕብኣየን። [10] እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎውን በሎም፡ እንሆ፡
ኣነ ንጊልያይ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ልኢኸ ኽምጽኦ እየ፡ ንዝፋኑ ድማ ኣብ ልዕሊ እዘን
ዝሐባእክወን ኣእማን ከንብሮ እየ፡ ንሱ ኸኣ ድንኳን መንግስቱ ኣብ ልዕሊኤን ኪዝርግሕ እዩ። [11] ንሱ
ኺመጽእ፡ ንሃገር ግብጺ ኸኣ ኪወቕዓ እዩ እሞ ዚመውት ንሞት፡ ዚማረኽ ንምርኮ ዚስየፍ ንሰይፊ
ኺውፊ እዩ። [12] ኣብ ኣባይቲ ኣማልኽቲ ግብጺ ድማ ሓዊ ኽትኩስ እየ። ንሱ ኸኣ ኬንድደን
ኪማርኾምን እዩ፡ ጓሳ ብኽዳኑ ኽም ዚኸደን፡ ንሃገር ግብጺ ኪኸደና፡ ካብኣውን ብደሓን ኪወጽእ እዩ።
[13] ንሱ ድማ ነቲ ኣብ ሃገር ግብጺ ዘሎ ኣዕኑድ ቤት ሸመሽ ኪሰባብር፡ ነቲ ኣባይቲ ኣማልኽቲ ግብጺውን
ብሓዊ ኼንድዶ እዩ።

# ምዕራፍ 44

[1] ብዛዕባ እቶም ኣብ ሃገር ግብጺ ዝነበሩ፡ ኣብ ሚግዶል፡ ኣብ ታህጳኔስ፡ ኣብ ኖፍ፡ ኣብ ሃገር ጳጥሮስ
ተቐሚጦም ዝነበሩ ኹሎም ኣይሁድ፡ ናብ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል እዚ እዩ፡ [2-3] እግዚኣብሄር፡ ጐይታ
ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ብሰሪ እቲ፡ ንሳቶም ኰነ፡ ንስኻትኩም ኰነ፡
ኣቦታትኩም ኰነ፡ ንዘይፈለጥዎም ካልኦት ኣማልኽቲ ኬገልግሉን ዕጣን ኪዐጥኑን እናኸዱ ኼቖጥዑኒ
ኢሎም ዝገበርዎ ኹሉ ኽፍኣቶም፡ ኲሉ እቲ ኣነ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኲለን ከተማታት ይሁዳን
ዘውረድክዎ ኹሉ መዓት ርኢኹምዎ ኣሎኹም። እንሆ ኸኣ፡ ሎሚ ባዲመን፡ ሓደ እኳ ዚነብረለን
የልቦን። [4] ኣነስ ንኹላቶም ባሮተይ ነብያት ለኣኽኩልኩም፡ እዚ ዝጸልኦ ዘሎኹ ርኹስ ነገር ኰታ
ኣይትግበሩ፡ ኢለ ኣንጊሄ ለኣኽኩ። [5] ንሳቶም ግና ንኻልኦት ኣማልኽቲ ምዕጣን ኪሐድጉ፡ ካብ ክፍኣቶም
ድማ ኪምለሱ ኣይተኣዘዙን፡ ኣእዛኖም ከኣ ጽን ኣየበሉን። [6] ስለዚ ድማ ቍጥዓይን ኲራይን ተኻዕወ፡
ኣብ ከተማታት ይሁዳን ኣብ ኣደባባያት የሩሳሌምን ነደደ። ንሳተን ድማ፡ ከምዚ ሎሚ ዀይነናኦ ዘለዋ፡
ዑናን ምድሪ በዳን ኰና። [7-8] ሕጂ ኸኣ እግዚኣብሄር፡ ኣምላኽ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ ኣብታ ኽትነብሩላ ኢልኩም ዝመጻእኩምዋ ሃገር ግብጺ ንኻልኦት ኣማልኽቲ ዕጣን ብምዕጣንኩም
ብግብሪ ኢድኩም እናኣኹሬኹምኒ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ቈልዓን ዕሸልን ሓደ እኳ ኸይተረፈ ኻብ
ማእከል ይሁዳ ኽትጸንቱ፡ ኣብ ኲሎም ህዝብታት ምድሪ ድማ መራገምን መጻረፍን ኴንኩም ክትጸንቱስ
ስለምንታይ ኢኹም ኣብ ነፍስኹም ክንድዚ ዓብዩ እከይ እትገብሩ ዘሎኹም [9] ነቲ ኣብ ሃገር ይሁዳን ኣብ
ኣደባባያት የሩሳሌምን ዝገበርዎ ኽፍኣት ኣቦታትኩምን ነቲ ኽፍኣት ነገስታት ይሁዳን ነቲ ኽፍኣት
ኣንስቶምን ነቲ ኽፍኣትኩምን ነቲ ኽፍኣት ኣንስትኹምንዶ ረሲዕኩምዎ ኢኹም [10] ክሳዕ ሎሚ
ኣይተደቍሱን፡ ኣይፈርሁን፡ በቲ ኣነ ኣብ ቅድሚኹምን ኣብ ቅድሚ ኣቦታትኩምን ዘንበርክዎ ሕገይን
ስርዓተይን ድማ ኣይተመላለሱን። [11] ስለዚ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ
ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ንመዓትን ንኹሉ ይሁዳ ኽጽንትን ገጸይ ናባኻትኩም ከመልሶ እየ። [12] ነቶም ኣብ
ሃገር ግብጺ ኪቕመጡ ኢሎም ናብኣ ኺግዕዙ ገጾም ዝመለሱ ተረፍ ይሁዳ ኽወስዶም እየ እሞ ኲሎም
ኪኹመሙ፡ ኣብ ሃገር ግብጺ ኺወድቁ፡ ካብ ንእሽቶ ኽሳዕ ዓብዩ ብሰይፍን ብጥሜትን ኪሞቱ እዮም።
ንመሰከሕን ንመስደመምን ንመጻረፍን ከኣ ኪኹኑ እዮም። [13] ከምቲ ንየሩሳሌም ብሰይፍን ብጥሜትን
ብፌራን ዝቐጻዕክዋ፡ ከምኡ ድማ ነቶም ኣብ ሃገር ግብጺ ተቐሚጦም ዘለዉ ክቐጽዖም እየ። [14] ብጀካ ገለ

ህዱማት ኣይኪምለሱን እዮም እሞ፡ ካብቶም ናብ ሃገር ይሁዳ ኺነብሩ ኢሎም ናብኣ ኺምለሱ
እናናፈቑ፡ ናብ ሃገር ግብጺ ኣብኣ ኪቕመጡ ኢሎም ዚመጹ ተረፍ ይሁዳ ሓደ እካ ዜምልጥ ወይስ
ዚተርፍ የልቦን። 15 ሽዑ ኹሎም እቶም ኣንስቶም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸም ዚዐጥና ዝፈለጡ ሰብኡትን
ኲለን እተን ኣብኣ ቈይመን ዝነበራ ብዙሓት ኣንስትን ኲሉ እቲ ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብ ጳጥሮስ ዚቕመጥ
ህዝብን ንኤርምያስ ከምዚ ኢሎም መለሱሉ፡ 16 እቲ ብስም እግዚኣብሄር እተዛረብካና ቓል
ኣይንሰምዓካን ኢና። 17 ግናኸ ከምቲ ንሕናን ኣቦታትናን ነገስታትናን መሳፍንትናን ኣብተን ከተማታት
ይሁዳን ኣብ ኣደባባያት የሩሳሌምን ዝገበርናዮ እሞ ሽዑ እንጌራ ንጸግብ፡ ደሓን ንነብር፡ መዓትውን
ኣይንርእን ዝነበርና፡ ንሕና ኽኣ ንንግስቲ ሰማይ ክንዐጥን መስዋእቲ መስተ ድማ ንእኣ ኽነቕርብ ኢልና
ኹሉ እቲ ኻብ ኣፍና ዝወጸ ቓል ብርግጽ ክንገብሮ ኢና። 18 ግናኸ ንንግስቲ ሰማይ ምዕጣንን መስዋእቲ
መስተ ንእኣ ምኽዓውን ምስ ሓደግና፡ ኲሉ ነገር ጨነቐና። ብሰይፍን ብጥሜትን ድማ ተወዳእና። 19
ንንግስቲ ሰማይ እናዐጠንናን መስዋእቲ መስተ እናኽዖናላን፡ ነቲ ብምስላ ጌርና ዝሰንከትናላ እንጌራን ነቲ
ዘቕረብናላ መስዋእቲ መስተን ብዘይ ፍቓድ ሰብኡትናዶ ኢና ዝገበርናዮ 20 ሽዑ ኤርምያስ ንኹሉ ህዝቢ፡
ነቶም ሰብኡትን ነተን ኣንስትን፡ ንኹሉ እቲ ምላሽ ዝሃቦ ህዝቢ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦ፡ 21 ነቲ
ንስኻትኩምን ኣቦታትኩምን ነገስታትኩምን መሳፍንትኹምን ህዝቢ እታ ሃገርን ኣብ ከተማታት ይሁዳን
ኣብ ኣደባባያት የሩሳሌምን ዝዐጠንኩምዎ ዕጣንዶ ኣይኰነን እግዚኣብሄር ዘኪርዎ ኣብ ልቡ ኸኣ ትዝ
ኢልዎ ዘሎ 22 እግዚኣብሄር ከኣ ብሰሪ እቲ ኽፉኣት ግብርኹምን ብሰሪ እቲ ዝገበርኩምዎ ርኽሰትን
ካብዚ ንንየው ኪዕገስ ኣይከኣለን። ስለዚ ሃገርኩም ከምዚ ሎሚ ኾይናቶ ዘላ ሓደ እኳ ዚነብረላ ዜብላ
ምድረ በዳን መሰክሕን መራገምን ኰነት። 23 ዕጣን ስለ ዝዐጠንኩምን ንእግዚኣብሄር ስለ ዝበደልኩምን
ከም ሕጉን ከም ስርዓቱን ከም ምስክሩን ስለ ዘይተመላለስኩምን፡ ስለዚ እዩ ኸምዚ ሎሚ ኾይኑ ዘሎ፡
እዚ መዓት እዚ ዝወረደኩም። 24 ኤርምያስ ድማ ንኹሉ እቲ ህዝብን ንኹለን እተን ኣንስትን፡ ኣቱም
ኣብ ሃገር ግብጺ ዘሎኹም ኲላትኩም ይሁዳ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ በሎም፡ 25 እግዚኣብሄር፡
ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ንስኻትኩምን ኣንስትኹምን፡ ንንግስቲ ሰማይ
ክንዐጥን፡ መስዋእቲ መስተ ኽንክዕወላ፡ እተመባጻዕናዮ መብጽዓና ብርግጽ ክንፍጽሞ ኢና፡ ኢልኩም
ብኣፍኩም ተዛሪብኩምዎ፡ በእዳውኩም ከኣ ፈጺምኩምዎ ኢኹም። ሕራይ፡ መብጽዓኹም ፈጽሙ፡
መብጽዓኹም ከኣ መልኡ። 26 ስለዚ ኣቱም ኣብ ሃገር ግብጺ ተቐሚጥኩም ዘሎኹም ኲልኹም ሰብ
ይሁዳ፡ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፡ እንሆ፡ ኣብ ኲላ ሃገር ግብጺ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ህያው እዩ፡ ኢሉ
ብኣፍ ሓደ ኣይሁዳዊ እኳ ስመይ ድሕርዚ ኸይስመ፡ በታ ዓባይ ስመይ እምሕል ኣሎኹ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 27 እንሆ፡ ኣነ ንሕሰም እምበር፡ ንደሓን ዘይኰነ ኽተግሃሎም እየ እሞ፡ ኲላቶም ኣብ ሃገር
ግብጺ ዘለዉ ሰብ ይሁዳ ብሰይፍን ብጥሜትን ጥራስ ክሳእ ዚውድኡ ኺጠፍኡ እዮም። 28 እቶም ካብ
ሰይፊ ዘምለጡ ኻብ ሃገር ግብጺ ናብ ሃገር ይሁዳ ሒደት ኰይኖም እዮም ዚምለሱ። ኲሎም እቶም
ኣብኣ ኪቕመጡ ናብ ሃገር ግብጺ ዝመጹ ተረፍ ይሁዳ፡ ናተይ ወይስ ናቶም፡ ኣየናይ ቃል ከውን ከም
ዝኾነ ኪፈልጡ እዮም። 29 ቃላተይ ብዛዕባኹም ርግጽ ንሕሰምኩም ከም ዚቐውም ክትፈልጡስ፡ ኣብዛ
ቦታ እዚኣ ክቐጽዓኩም እየ፡ እዚ ኸኣ ምልክት ኪኾነኩም እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 30 እንሆ፡ ከምቲ
ንጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ኣብ ኢድ ጸላኢኡን ነፍሱ ዚደሊ ዝነበረን ነብካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ዝሀብክዎ፡
ከምኡ ኸኣ ንፈርኦን ሆፍራ ንጉስ ግብጺ ኣብ ኢድ ጸላእቱን ኣብ ኢድ እቶም ነፍሱ ዚደልዩን ክህቦ እየ፡
ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 45

[1] ኣብ ራብዐይቲ ዓመቱ ንዮኣቂም ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ እታ፡ ነብዩ ኤርምያስ ንባሩኽ ወዲ ኔርያ
ንሱውን ነዘን ቃላት እዚኤን ካብ ኣፍ ኤርምያስ ኣብ መጽሓፍ ኪጽሕፈን ከሎ፡ እተዛረቦ ቓል ከምዚ
እትብል እያ፡ [2] ኣታ ባሩኽ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ብዛዕባኻ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ [3] ንስኻስ፡
እግዚኣብሄር ኣብ ርእሲ ቓንዛይ ሓዘን ወሲኹኒ እዩ እሞ፡ ወይለይ። ብብኽያተይ ደኺምኩ፡ ዕረፍቲውን
ስኣንኩ፡ ትብል ኣሎኻ። [4] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ በሎ፡ እንሆ፡ ነቲ ዝሰራሕክዎ ኤፍርሶ፡ ነቲ
ዝተኸልክዎ ኸኣ እምንቅሶ ኣሎኹ፡ እዚውን ኣብ ኲላ እታ ሃገር ክገብሮ እየ። [5] ንስኻንዶ ንርእስኻ
ዓብዩ ነገር ትደሊ ኣሎኻ ኣይትድለዮ። እንሆ፡ መዓት ኣብ ስጋ ዝለበሰ ዘበለ ኹሉ ኸውርድ እየ።
ነፍስኻ ግና ኣብ እትኸዶ ኹሉ ቦታ ዘመተ ኽትኰነልካስ ክህበካ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 46

[1] እታ ብዛዕባ ህዝብታት ናብ ነብዩ ኤርምያስ ዝመጸት ቃል እግዚኣብሄር እዚኣ እያ፡ [2] ብዛዕባ ግብጺ።
ብዛዕባ እቲ ኣብታ ራብዐይቲ ዓመቱ ንዮኣቂም፡ ወዲ ዮስያስ ንጉስ ይሁዳ፡ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን
ዝሰዐሮ፡ ኣብ ጥቓ ፈለግ ኤፍራጥስ ኣብ ከርከሚሽ ዝነበረ ሰራዊት ፈርኦን ኔኮ ንጉስ ግብጺ። [3] ዋልታን
ገለብን ኣዳልዉ፡ ናብ ውግእ ከኣ ድፍኡ። [4] ኣቱም ፈረሰኛታት፡ ነቶም ኣፍራስ ጽዐንዎም እሞ ስረርዎም።
ቍራዕ ርእሲ ኣብ ርእስኹም ኣእትዉ፡ ኲናውቲ ወላውሉ፡ ድርዒውን ልበሱ። [5] ስለምንታይ ደኣ
ሰምቢዶም ንድሕሪት ዚምለሱ ዝርኢ ዘሎኹ፡ ጅጋኑኦም ተሰባቢሮም፡ ንድሕሪት ግልጽ ከይበሉውን
ሀደሙ። ኣብ ኲሉ ወገን ረዓድ ኣሎ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [6] እቲ ጐያዪ ኣይህደም፡ እቲ ጅግና
ኣየምልጥ። ኣብ ሰሜን ኣብ ጥቓ ፈለግ ኤፍራጥስ ሰንከልከል በሉን ወደቑን። [7] እቲ ኸም ኒል ዚድይብ፡
ማያቱ ኸኣ ከም ወሓዚ ዚናወጽሲ መን እዩ [8] ግብጺ እዩ ኸም ኒል ዚድይብ፡ ማያቱ ድማ ከም ወሓዚ
ዚናወጽ። ንሱውን፡ ኣነ ኽድይብ፡ ንምድሪ ክኸድና። ነተን ከተማታትን ኣብኤን ዚነብሩን ከኣ ከጥፍእ
እየ፡ ይብል ኣሎ። [9] ኣቱም ኣፍራስ፡ ውጹ፡ ኣቱም ሰረገላታት፡ ውረሩ። እቶም ጅጋኑ፡ ዋልታ ዚሕዙ
ኢትዮጵያውያንን ልብያውያንን ቀስቲ ዚሕዙን ዚገትሩን ሉዳውያንን ይውጽኡ። [10] እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት ኣብ ሃገር ሰሜን ኣብ ጥቓ ፈለግ ኤፍራጥስ መስዋእቲ ሕሩድ ኣለዎ እሞ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ
ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ነቶም ተጻረርቱ ሕነ ምእንቲ ኺፈድዮም፡ መዓልቲ ምፍዳይ ሕነ እያ።
እቲ ሰይፊ ኸኣ ኪኹምምን ኪጸግብን፡ ብደሞም ድማ ኪሰክርን እዩ። [11] ኣቲ ድንግል ጓል ግብጺ፡ ናብ
ጊልኣድ ደይቢ፡ ቅዲት ከኣ ውሰዲ። ንኸንቱ ኣፋውስ ተብዝሒ ኣሎኺ፡ ኣየሕውየክን እዩ። [12] ህዝብታት
ነውርኺ ይሰምዑ፡ ብኣውያትኪ ኸኣ ምድሪ ትመልእ ኣላ። ጅግና ኣብ ርእሲ ጅግና ተጐዝጒዙ ይዝዞ
እሞ፡ ክልቲኦም ሐቢሮም ይወድቁ። [13] ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ከም ዚመጽእ ንሃገር ግብጺ ኸኣ ከም
ዚወቕዓ፡ ኢሉ እግዚኣብሄር ንነብዩ ኤርምያስ ዝነገሮ ቓል እዚ እዩ፡ [14] ሰይፊ ኣብ ከባቢኻ ንዘሎ
ኹሚምዎ እዩ እሞ፡ ተንስእ፡ ተሰለፍውን፡ ኢልኩም ኣብ ግብጺ ንገሩ፡ ኣብ ሚግዶል ኣስምዑ፡ ኣብ
ኖፍን ኣብ ታህጳኔስን ኣስምዑ። [15] ስለምንታይ ጅጋኑኻ ኣብ ምድሪ ጻሕ በሉ እግዚኣብሄር ደፊእዎም እዩ
እሞ፡ ኪቘሙ ኣይከኣሉን። [16] ንሱ ንብዙሓት ሰንከልከል ኣበሎም፡ ኣብ ልዕሊ ሓድሕዶም ድማ ወደቑ
እሞ፡ ተንስኡ፡ ካብዚ ዚጭኵን ሰይፊ ናብ ህዝብናን ናብታ እተወለድናላ ሃገርናን ንመለስ፡ በሉ። [17]
ኣብኡ ኸኣ፡ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ጠፊኡ፡ እቲ ምዱብ ጊዜውን ኣሕሊፎዎ፡ ኢሎም ጨደሩ። [18] እቲ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ዝስሙ ንጉስ ይብል ኣሎ፡ ኣነ ህያው እየ፡ ከም ታቦር ኣብ ኣኽራን፡ ከም

ቀርሜሎስ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ኺመጽእ እዩ። 19 ኖፍ ምድረ በዳ ኽትከውን፡ ሓደ እኳ ዘይነብረላ ኾይና
ኽትነድድ እያ እሞ፡ ኣቲ ኣብ ግብጺ እትነብሪ ዘሎኺ ጓል፡ ንምምራኽ ኣቓሑኺ ኣዳልዊ። 20 ግብጺ
ምልምል ኣርሒ እያ፡ መጥፍኢኣ ይመጽእ። ካብ ሰሜን ይመጽእ ኣሎ። 21 እቶም ኣብ ማእከላ ዘለዉ
ዓስቢ ዓሳብ ድማ ከም ስቡሓት ኣርሒ እዮም። መዓልቲ ጥፍኣቶም፡ ጊዜ ቕጽዓቶም ወሪድዎም እዩ
እሞ፡ ንሳቶምውን ኲላቶም ግልብጥ ኢሎም ሀደሙ ኣይቈሙን ከኣ። 22 ምስ ጭፍራ ይመጹ፡ ከም
ፈለጽቲ ዕጨይቲ ድማ ብምሳውርቲ ይወርዋ ኣለዉ እሞ፡ ደሃያ ኸም ናይ ተመን ኰይኑ ይስማዕ ኣሎ።
23 ንሳቶም ኪቝጸሩ ዘይከኣሉ፡ ካብ ኣንበጣ ዚበዝሑ እዮም እሞ፡ ነዚ ዘይሕለፍ ዱር ይቘርጹ ኣለዉ፡
ይብል እግዚኣብሄር። 24 ጓል ግብጺ ነወረት፡ ኣብ ኢድ ህዝቢ ሰሜን ተወፈየት። 25 እግዚኣብሄር፡ ጐይታ
ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ እንሆ፡ ንኣሞን ካብ ኖን ንፈርኦንን ንግብጽን ንኣማልኽታን ንነገስታታን፡
ከምኡውን ንፈርኦንን ነቶም ዚውከልዎን ከቕጽዖም እየ፡ ይብል ኣሎ። 26 ኣብ ኢድ እቶም ነፍሶም
ዚደልዩ፡ ኣብ ኢድ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎንን ኣብ ኢድ ባሮቱን ከሕልፎም እየ። ድሕርዚ ግና ከምቲ
ብዘመን ጥንቲ ዝነበረ ኺነብሩላ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 27 እምበኣርሲ ኣታ ያእቆብ ባርያይ፡
ኣይትፍራህ፡ ኣታ እስራኤል፡ ኣይትሰምብድ። እንሆ፡ ኣነ ንኣኻ ኻብ ርሑቕ፡ ንዘርእኻ ድማ ካብታ
ተማሪኾምዋ ዘለዉ ሃገር ከድሕነኩም እየ እሞ፡ ያእቆብ ኪምለስ፡ ኪዐርፍን ኪሀድእን እዩ፡ ዜሰምብዶ
ድማ የብሉን። 28 ኣታ ባርያይ ያእቆብ፡ ኣነ ምሳኻ እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ። ንዂሎም እቶም ናባታቶም
ፋሒ ዘበልኩኻ ህዝቢ ብጥራስ ከጥፍኦም እየ፡ ንኣኻ ግና ብጥራስ ኣይከጥፍኣካን እየ፡ ብልክዕ ደኣ እየ
ዝቕጽዓካ እምበር፡ ከይቀጻዕኩስ እኳ ኣይሐድገካን እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 47

1 ፈርኦን ንጋዛ ኺይወግኣ ኸሎ፡ እቲ ብዛዕባ ፍልስጥኤማውያንን ናብ ነብዩ ኤርምያስ ዝመጸ ቃል
እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ 2 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ማያት ካብ ሰሜን ይድይብ፡ ደምሳሳይ
ውሒዝ ይኸውን፡ ነታ ሃገርን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን፡ ነተን ከተማታትን ኣባታተን ዚነብሩን ይድምስስ፡
እቶም ሰብ ከኣ ይጭፍሑ፡ እቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዅሎምውን የእውዩ። 3-4 እግዚኣብሄር ነቶም ካብ
ደሴት ካፍቶር ዝተረፉ ፍልስጥኤማውያን ኬጥፍኦም እዩ እሞ፡ ንድባበ ዅሎም እቶም ተረፍ ደገፍቲ
ጢሮስን ሲዶንን፡ እታ ዅሎም ፍልስጥኤማውያን ዚጠፍኡላ መዓልቲ ስለ ዝመጸት፡ ብሰሪ እቲ
ኺሕኳሕ ናይ ሸኺኑ እቶም ሓያላት ኣፍራሱን ብሰሪ እቲ ህማም ናይ ዓረብያታቱን ብሰሪ እቲ
ሓርገምገም ዕንክሊል ሰረገላታቱን፡ ኣቦታት ኣእዳዎም ወለል ኢልዎም፡ ንደቆም ግልጽ ኣይኪብሉን
እዮም። 5 ጋዛ በርሒት፡ ኣስቃሎን ጠፍኤት፡ ተረፍ ቋላታተን። ክሳዕ መኣዝ ክትመልጢ ኢኺ 6 ኣየ፡ ኣታ
ሰይፊ እግዚኣብሄር፡ መኣዝ ኰን ክትዐርፍ ኢኻ ናብ ቤትካ ተመለስ፡ ዕረፍ፡ ህዳእ። 7 እግዚኣብሄር
ኣዚዙካ እዩ እሞ፡ ከመይ ጌርካ ኽትዐርፍ ናብ ኣስቃሎንን ናብ ገምገም ባሕርን ልኢኹዎ ኣሎ።

## ምዕራፍ 48

1 ብዛዕባ ሞኣብ። እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኔቦ ዖንያ እያ
እሞ፡ ወይልኣ። ቂርያታይም ነወረት ተታሒዘትውን፡ እቲ እምባ ነወረን ፈረሰን። 2 ድሕርዚ ሓበን ሞኣብ
የሎን። ህዝቢ ኸይትኸውንሲ ንውናይ ነጥፍኣያ። ኢሎም ኣብ ሄስቦን እኩይ ነገር ይፍሕሱላ ኣለዉ። ኣቲ

መድሜን፡ ንስኺ ድማ ክትጠፍኢ ኢኺ፡ ሰይፊ ኺስዕበኪ እዩ። 3 ዋይዋይን ጥፍኣትን ብርቱዕ ምዕናውን
ካብ ሆሮናይም ይስማዕ ኣሎ። 4 ሞኣብ ተደቍሰት፡ ደቃ ዋይወዮም ኣስምዑ። 5 ኣብ ቀኣልቁል ሆሮናይም
ብናይ ምፍራስ ዜሽግር ጭንቂ ቘዝማ ይስማዕ ኣሎ እሞ፡ ኣብ ዓቐብ ሉሂት ብኽያት እናበኸዩ ይድይቡ
ኣለዉ። 6 ህደሙ፡ ነፍስኹም ኣድሕኑ፡ ከም ገረብ ሑመር ኣብ በረኻ ኹኑ። 7 ብግብርኽን ብሃብትኽን
ተኣሚንኪ ኢኺ እሞ፡ ስለዚ ንስኺ ድማ ክትተሐዚ ኢኺ፡ ኬሞሽን ካህናቱን መሳፍንቱን ከኣ ሐቢሮም
ኪማረኹ እዮም። 8 ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ፡ ሓንቲ ኸተማ እኳ ኣይከተምልጥን እያ፡ እቲ መጥፍኢ
ንኹለን ከተማታት ኪመጽን እዩ፡ እቲ ለሰ ኺጠፍእ፡ እቲ ጐልጐል ከኣ ኪበርስ እዩ። 9 ሞኣብ ነፊራ
ኽትሀድምሲ፡ ኣኽናፍ ሀብዋ፡ ከተማታታ ኸኣ ዚነብረን ዜብለን ኰይነን ኪባድማ እየን። 10 እቲ ንዕዮ
እግዚኣብሄር ዕሽሽ ኢሉ ዚገብሮ ርጉም ይኹን፡ ንሰይፊ ድማ ደም ከይኽውሉ ዚገትእ ርጉም ይኹን። 11
ሞኣብ ካብ ንእሽቶኣ ጀሚራ ህድእቲ ነበረት፡ ኣብ ልዕሊ ሓተልኣውን ዐረፈት፡ ካብ ሳርማ ናብ ሳርማ
ኸኣ ኣይተቐጥፈትን፡ ተማሪኻ ድማ ኣይከደትን፡ ስለዚ ጣዕማ ኣርነበት፡ መኣዛኣውን ኣይተለወጠን። 12-13
ስለዚ እንሆ፡ ኣነ ዚቕድሕዋ ቐዳሕቲ ዝሰደላ ጊዜ ትመጽእ ኣላ፡ ሰራሙኣ ኼዕርቑ፡ ኣጋንኣ ድማ
ኪሰባብሩ እዮም፡ ከምቲ ቤት እስራኤል በታ እተወከለታ ቤትኤል ዝሐፈረቶ፡ ሞኣብ ድማ ከምኡ
ብኬሞሽ ክትሐፍር እያ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 14 ንስኻትኩም፡ ኣብ ውግእ ጀጋኑን ሃጥራትን ኢና፡
እትብሉስ ከመይ ኢልኩም ደኣ ኢኹም፡ 15 እቲ እግዚኣብሄር፡ ጐይታ ሰራዊት ዝስሙ ንጉስ፡ ሞኣብ
ፈረሰት፡ ናብ ከተማታታ ወጹ፡ እቶም ሕሩያት ኣጕባዛ ናብ ማሕረዲ ወረዱ፡ ይብል ኣሎ። 16 መዓት
ሞኣብ ኪመጽእ ቀሪቡ እዩ፡ ጸበብኣ ድማ ቀልጢፉ የሳጕም ኣሎ። 17 ኵላትኩም ኣብ ከባቢኣ ዘሎኹም፡
ብኽዩላ፡ ኵላትኩም፡ ስማ እትፈልጡ ኸኣ፡ እቲ ድልዱል በትርን እቲ ምልምል ዘንግንከ ኸመይ ኢሉ
ተሰብረ፡ በሉ። 18 ኣቲ ኣብ ዲቦን እትነብሪ ዘሎኺ ጐርዞ፡ እቲ መጥፍኢ ሞኣብ ናባኺ ደዪቡ፡
ንዕርድታትኪ ኣፍሪሱ እዩ እሞ፡ ካብ ክብረትኪ ውረዲ፡ ኣብ ኣጻምእ ተቐመጢ፡ 19 ኣቲ ኣብ ኣሮኤር
እትነብሪ ዘሎኺ፡ ኣብ መገዲ ደው በሊ ጠምቲ ኸኣ፡ ነቲ ዝሀደመን ነታ እተምልጥን፡ እንታይ ወሪዱ እዩ
ኢልኪ ድማ ሕተቲ። 20 ሞኣብ ተሳዒራ እያ እሞ፡ ነወረት፡ ኣእውዩ፡ ጨድሩ፡ ሞኣብ ከም ዝፈረሰት ኣብ
ኣርኖን ኣውርዩ። 21 ፍርዲ ኣብቲ ሃገር ጐልጐል፡ ኣብ ሆሎን፡ ኣብ የህጻ፡ ኣብ መፍዓት፡ 22 ኣብ ዲቦን፡
ኣብ ኔቦ፡ ኣብ ቤት  ዲብላታይም፡ 23 ኣብ ቂርያታይም፡ ኣብ ቤት  ጋሙል፡ ኣብ ቤት  ምዖን፡ 24 ኣብ
ቕርዮት፡ ኣብ ቦጽራ፡ ኣብ ዝረሐቓን ኵላተን ከተማታት ሞኣብን መጸ። 25 ቀርኒ ሞኣብ ተሰልዔ፡
ቕልጽሙ ተሰብረ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 26 ሞኣብ ንእግዚኣብሄር ርእሱ ኣልዒሉሉ እዩ እሞ፡ ኣስክርዎ።
ኣብ ትፋኡ ጠንቀላዕላዕ ይበል፡ መላገጺውን ይኹን። 27 እስራኤልዶ መላገጺ ኾይኑልካ ኣይነበረን እዩ
ብዛዕባኡ ኽትዛረብ ከሎኻ፡ ርእስኻ እትንቕንቕሲ ኣብ ማእከል ሰረቕቲ ደኺን ተረኺቡ እዩ 28 ኣቱም
ኣብ ሞኣብ እትነብሩ፡ ካብተን ከተማታት ልቐቑ፡ ኣብ ኣኻውሕ ከኣ ስፈሩ። ከምታ ኣብ ገምገም ጸድፊ
ቤታ እትሰርሕ ርግቢ ድማ ኹኑ። 29 ምክሓ ሞኣብን ብርቱዕ ትዕቢቱን ፍኽናኔኡን ኵርዓቱን ድፍረቱን
ኵዕናኔ ልቡን ሰማዕና። 30 ኣነ ንዅራኡን ነቲ ኸንቱ ዝኾነ ትምክሕቱን እፈልጥ ኣሎኹ፡ ግብሩውን
ከንቱ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 31 ስለዚ ንሞኣብ ኤልቅሰሉ፡ ኣብ ኵሉ ሞኣብ ከኣ እቘዝም ኣሎኹ።
ንሰብ ቂር  ሄሬስ እህህ ይብሉሎም ኣለዉ። 32 ኣቲ ተኽሊ ወይኒ ሲብማ፡ ካብቲ ብኽያት ያዕዜር ዚበዝሕ
ገይረ እበኽየልኪ ኣሎኹ። ሓረግኪ ኽንየው ባሕሪ ተሳገረ፡ ክሳዕ ባሕሪ ያዕዜርውን በጽሔ። እቲ
መጥፍኢ ኣብ እቶት ፍረ ሓጋይክን ኣብ ቀውዒ ዘቢብክን ወረደ። 33 ካብቲ ፈራዩ ግርሁን ካብ ሃገር
ሞኣብን ፍስሃን ደስታን ጠፍኤ። ነቲ ወይኒ ኣብ መሓምተሊኡ ኣወዳእክዎ። ድሕርዚ ዘቢብ ብእልልታ
ኣይሕምተልን፡ እቲ እልልታ ድማ እልልታ ኣይኰነን። 34 ማያት ነምሪም ከኣ ምድሪ ኣጻምእ ኪኸውን እዩ

እሞ፡ ኣውያት ሖስቦን ክሳዕ የህጻ፡ ካብ ጾኣር ክሳዕ ሆሮናይም፡ ክሳዕ ኤግላት ሽሊሻ ኺስማዕ እዩ። 35
ኣነ ኸኣ ነቲ ኣብ ሞኣብ ኣብ በረኽቲ ዚድይብን ንኣማልኽቱ ዚዐጥንን ከጥፍኦ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።
36 እቲ ዝደለብዎ ጠፊኡ እዩ እሞ፡ ስለዚ ልበይ ንሞኣብ ከም እምብልታ ይቚዝም፡ ንሰብ ቂር ሄሬስ
ከኣ ልበይ ከም እምብልታ ገይሩ ይቚዝመሎም ኣሎ። 37 ስለዚ ርእሲ ዘበለ ተላጽዩ፡ ኲሉ ጭሕሚ
ተቖሪጹ፡ ኲላተን ኣእዳው ብጡሓት እየን፡ ኣብ ሓቛቚ ድማ ከሊ ኣሎ። 38 ንሞኣብ፡ ባህ ከም ዘየብል
ኣቕሓ ገይረ፡ ሰባቢረያ እየ እሞ፡ ኣብ ኲሉ ኣናሕስ ሞኣብን ኣብ ዕዳጋታታን ቀኊዝማ ኣሎ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 39 ኣየ፡ ከመይ ኢላ ተሳዕረት፡ ኢሎም የልቅሱ ኣለዉ። ከመይ ኢላ ሞኣብ ነዊራ ዝባና
መለሰት። ሞኣብ ንዅሎም እቶም ኣብ ከባቢኣ ዘለዉ ድማ ንመላገጽን ንመሰከሕን ክትከውን እያ። 40
ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ከም ንስሪ ይነፍር፡ ኣኽናፉ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሞኣብ
ይዝርግሕ ኣሎ። 41 ቊርያት ተታሒዘት፡ ዕርድታት ድማ ተወሰደ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ልቢ እቶም ጀጋኑ
ሞኣብ ከም ልቢ ቕልውላው ዝሐዛ ሰበይቲ ኪኸውን እዩ። 42 ሞኣብ ንእግዚኣብሄር ተዐብያትሉ እያ
እሞ፡ ድሕርዚ ህዝቢ ኸይትኸውንሲ ኽትጠፍእ እያ። 43 ኣታ ኣብ ሞኣብ እትነብር ዘሎኻ፡ ፍርሃትን
ጒድጓድን መፈንጠራን ኣብ ልዕሌኻ ኣሎ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 44 ኣነ ዓመት ቅጽዓቶም ኣብ ርእሲኣ፡
ኣብ ርእሲ ሞኣብ ከውርድ እየ እሞ፡ ካብ ፍርሃት ዚሀድም ናብ ጒድጓድ ኪወድቕ፡ ካብ ጒድጓድ
ዚወጽእ ከኣ ኣብ መፈንጠራ ኪተሐዝ እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 45 እቶም ሃደምቲ ደኺሞም፡ ኣብ
ጽላል ሖስቦን ደው ኢሎም ኣለዉ። ካብ ሖስቦን ሓዊ፡ ካብ ማእከል ሲሆን ከኣ ሃልሃልታ ወጺኡ እዩ
እሞ፡ ነቲ ጐቦታት ሞኣብን ነቲ ርእሲ ደቂ ታዕታዕን በሊዕዎ እዩ። 46 ኣቲ ሞኣብ፡ ኣወዳትኪ ተማሪኾም፡
ኣዋልድኪ ኸኣ ኣብ ምርኮ ኸይደን እየን እሞ፡ ወይለኺ፡ ህዝቢ ኬሞሽ ጠፊኡ እዩ። 47 ኣብተን ዳሕሮት
መዓልትታት ግና ንሞኣብ ካብ ምርኮ ኽመልሳ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። ክሳዕ እዚ እዩ እቲ ፍርዲ
ሞኣብ።

# ምዕራፍ 49

1 ብዛዕባ ደቂ ዓሞን። እስራኤልዶ ውሉድ የብሉን እዩ ወይስ ወራሲዶ የብሉን እዩ ስለምንታይ ደኣ እቲ
ንጉሶም ንጋድ ዚርስተያ፡ ህዝቡ ኸኣ ኣብ ከተማታት ዚሰፍር ይብል እግዚኣብሄር። 2 ስለዚ እንሆ፡ እተን
ጭድርታ ውግእ ኣብ ልዕሊ ራባህ ናይ ደቂ ዓሞን ዘስምዓለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል
እግዚኣብሄር። ንሳ ዅምራ ድብነት ክትከውን፡ እተን ኣዋልዳ ኸኣ ብሓዊ ሞዀ ኪብላ እየን። ሽዑ ኸኣ
እስራኤል ነቶም ወረሶምዋ ዝነበሩ ኽትወርሶም እያ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 3 ኣቲ ሖስቦን፡ ዓይ ፈሪሳ እያ
እሞ፡ ኣእውዪ። ኣትን ኣዋልድ ራባህ፡ ከሊ ተዐጠቓ፡ ዋይዋይ በላ። ንጉሶም ምስ ካህናቱን መሳፍንቱን
ሐቢሩ ኺማረኽ እዩ እሞ፡ ኣብቲ መካበብያ እናዘርከን ኣልቅሳ። 4 ኣቲ፡ መን እዩ ዚመጸኒ ኢልኪ
ብመዝገብኪ ተኣሚንኪ ዘሎኺ ጠላሚት ጓል፡ ስለምንታይ በተን ለሴታትኪ እትሕበኒ እቲ ለሴኺ
ኺድምሰስ እዩ። 5 እንሆ፡ ካብ ኲሉ ኽባቢኺ ፍርሃት ከምጽኣልኪ እየ፡ ንስኻትኩም ድማ ነፍሲ
ወከፍኩም ኣብ ኲሉ ወገን ክትሰጐጉ ኢኹም፡ ነቶም ህዱማት ከኣ ዚኣኻኽቦም የልቦን፡ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 6 ድሕርዚ ግና ንደቂ ዓሞን ካብ ምርኮ ኽመልሶም እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 7 ብዛዕባ ኤዶም። እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ጥበብዶ ኣብ ቴማን
የልቦን ምኽሪዶ ኻብቶም ሰብ ኣእምሮ ጠፍኤት ጥበቦምዶ ኸንቱ ዅነት 8 ኣቱም ኣብ ዴዳን እትነብሩ፡
በታ ጊዜ ቕጽዓቱ መዓት ኤሳው ናብኡ ኸውርዶ እየ እሞ፡ ህደሙ፡ ተመለሱ፡ ኣዕሚቚኩም ተሐብኡ። 9

በተኸቲ ዘቢብ እንተ ዚመጹኻ፡ ዘለላ ዘቢብዶ ኣይምሐደጉልካን ሰረቕቲ ብለይቲ እንተ መጹ፡ ክሳዕ
ዝደለዩ ይጽይቑ። [10] ኣነ ግና ንኤሳው ቀሊዔዮ፡ መሕብኢኡ ድማ ገሊጸዮ እየ፡ ኪሕባእ ከኣ ኣይኰነሉን።
ዘርኡን ኣሕዋቱን ጐረባብቱን ኪጸንቱ እዮም፡ ንሱውን ድሕርዚ ኣይኪህሉን እዩ። [11] ንዘኽታማትካ
ሕደጎም፡ ኣነ ብህይወት ከንብሮም እየ፡ መበላሉኻ ኸኣ ኣባይ ይወከሉ። [12] እምበኣርሲ እንሆ፡ እቶም ነታ
ጽዋእ ኪሰትዩ ዘይተመዘዙ ኺሰትይዋ እዮም። ንስኻስ ካንዶ ኸይተቐጻዕካ ኽትተርፍ ኢኻ ብርግጽ
ክትሰትያ ኢኻ እምበር፡ ከይተቐጻዕካስ ኣይክትተርፍን ኢኻ ይብል እግዚኣብሄር። [13] ቦጽራ ኸኣ ድብነትን
መጻረፍን በረኻን መራገምን ከም እትኸውን፡ ኲለን ከተማታት ድማ ንሓዋሩ በረኻ ኸም ዚኾና፡
ብርእሰይ እምሕል ኣሎኹ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [14-15] ካብ እግዚኣብሄር ኣዋጅ ሰማዕኩ፡ ከምዚ ዚብል
ልኡኽ ከኣ ኣብ ማእከል ህዝብታት ተላእከ፡ እንሆ፡ ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣንኢሰካ፡ ኣብ ማእከል ሰብ
ከኣ ኣንዒቐኻ እየ እሞ፡ ተኣከቡ፡ ተንስእዋን ንውግእ ተዐጠቑን። [16] ኣቲ ኣብ ምንቃዕ ኣጻድፍ እትነብሪ፡
ርእሲ ኹድኹዶ እትሕዚ፡ ድፍረትክን ኲርዓት ልብኽን ጠበረኪ። ከም ንስሪ እኳ ቤትኪ ኣብ በሪኽ
እንተ ሰራሕኪ፡ ኣነ ኻብኡ ኸጽድፈኪ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [17] ኤዶም ንመሰክሒ ኽትከውን እያ።
ነፍሲ ወከፍ ብእኣ ዚሐልፍ ድማ በቲ ኹሉ ስቓያ ኺስክሓላን ኪፋጽየላን እዩ። [18] ከምቲ ሶዶምን
ጎሞራን ኣብ ጥቓኤን ዝነበራ ኸተማታትን እተገልበጣ፡ ከምኡ ኣብኣ ሰብ ኣይኪነብርን፡ ኣብኣውን
ውሉድ ሰብ ሓደ እኳ ኣይኪሰፍርን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [19] እንሆ፡ ንሱ ኻብ ትዕቢት ዮርዳኖስ
ናብቲ ጽኑዕ መሳፍሮ ኸም ኣንበሳ ይድይብ ኣሎ፡ ብሉ ብሉ ኸኣ ካብኣ ኽሰጎ እየ፡ ነቲ እተሐርየ ድማ
ኣብ ልዕሊኣ ኽሸሞ እየ። ዚመዓራረየኒ መን እዩ ቈጸራ ዚገብረለይከ መን እዩ እቲ ኣብ ቅድመይ
ዚቐውም ጓሳስ መን እዩ [20] ስለዚ እግዚኣብሄር ንኤዶም ዝመደበላ ምኽርን፡ ነቶም ኣብ ቴማን ዚነብሩ
ሰባት ዝሐሰባ ሓሳብን ስምዑ፡ ብርግጽ ነቶም ናይ መጓሰ ናእሽቱ እኳ ኸይተረፈ ኺጓትትዎም እዮም፡
ብርግጽ ሰፈሮም ኪፈርስ እዩ። [21] በቲ ህው ዝበል ደሃይ ኣወዳድቓኣ ምድሪ ተንቀጥቅጥ፡
ጭራሕምራሖም ድማ ክሳዕ ባሕሪ ኤርትራ ይስማዕ ኣሎ። [22] እንሆ፡ ከም ንስሪ ኺድይብ፡ ኪነፍር፡
ኣኽናፉ ድማ ኣብ ልዕሊ ቦጽራ ኺዝርግሕ እዩ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ ልቢ እቶም ጀጋኑ ኤዶም ከም
ልቢ ቅልውላው ዝሓዛ ሰበይቲ ኪኸውን እዩ። [23] ብዛዕባ ደማስቆ። ሃማትን ኣርጳድን ሐፈራ፡ ክፉእ ወረ
ሰሚዔን እየን እሞ፡ መኸኻ። ኣብ ባሕሪ ምሸባር ኰነ፡ ኪህድኣውን ኣይተኻእሎን። [24] ደማስቆ
ዛሕተለት፡ ክትህድም ኢላ ግልብጥ በለት፡ ራዕራዕውን በለት፡ ከም እትወልድ ሰበይቲ ጭንቅን ጻዕርን
ሐዛ። [25] እታ ንእድቲ ኸተማ፡ እታ ኸተማ ሓጐሰይ፡ ከመይ ኢላ እያ ዘይተሐድገት [26] ስለዚ እቶም
ኣባጽሓ ኣብ ኣደባባያታ ኺወድቁ፡ ኲሎም እቶም ተዋጋእቲ ሰብኡታ ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ
ኺጠፍኡ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [27] ኣብቲ መካበብያ ደማስቆ ሓዊ ኽንድድ እየ፡
ንሱውን ነቲ ኣዳራሽ ቤት  ሃዳድ ሞኹ ኬብሎ እዩ። [28] ብዛዕባ ቄዳርን ብዛዕባ እቶም ነቡካድነጻር ንጉስ
ባቢሎን ዝሰዐሮም መንግስትታት ሃጾርን። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ተለዐሉ፡ ናብ ቄዳር ደይቡ፡
ነቶም ደቂ ምብራቕ ኣጥፍኡ። [29] ድንኳናቶምን መጓሴታቶምን ኪወስዱ፡ ምንጻፋቶምን ኲሉ
ኣቓሑኦምን ኣግማሎምን ኪዘምቱ እዮም። ኣብ ኲሉ ወገን ምሸባር ኣሎ፡ እናበሉ ኪጭድሩሎም
እዮም። [30] ኣቱም ኣብ ሃጾር እትነብሩ፡ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ምኽሪ መዲቡልኩም፡ ህቃነ
ህቂኑልኩም ኣሎ እሞ፡ ህደሙ፡ ቀልጢፍኩም ርሐቑ፡ ኣዕሚቝኩም ተሐብኡ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [31]
ነቲ ጥዒምዎም ህዱኡን ዚነብር፡ መዓጹን መሸጐርን ዜብሉ፡ ብሒቱ ዚነብር ህዝቢ ተልዐልዎን
ደይብዎን፡ ይብል እግዚኣብሄር። [32] ኣግማሎም ዘመተ ኪኾና፡ ብዝሒ ኸብቶም ከኣ ምርኮ ኪኸውን
እዩ። ንኹሎም እቶም ወሰነወሰን ጭሕሞም ዚላጽዩ ኣብ ኲለን ንፋሳት ክብትኖም፡ ካብ ኲሉ ወገኖም

ድማ መዓት ከምጽኣሎም እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 33 ሃጾር መሳፍሮ ወኻሩ ኽትከውን፡ ንሓዋሩ
ኽትባድም እያ፡ ኣብኣ ሰብ ኣይኪነብርን፡ ኣብኣውን ውሉድ ሰብ ሓደ እኳ ኣይኪሰፍርን እዩ። 34 እቲ
ኣብቲ መጀመርታ መንግስቲ ጼድቅያስ ንጉስ ይሁዳ ብዛዕባ ዔላም ናብ ነብዩ ኤርምያስ ዝመጸ ቓል
እግዚኣብሄር እዚ እዩ፡ 35 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ነቲ ኣውራ ሓይሉ
ዝኾነ ቐስቲ ዔላም ክሰብሮ እየ። 36 ንዔላም ካብ ኣርባዕተ ወሰን ሰማይ ኣርባዕተ ንፋሳት ከውርደላ እየ፡
ናብ ኲለን እዘን ንፋሳት ክዘርዎም እየ። ህዱማት ዔላም ዘይኣትውዎ ህዝቢ ኣይኪህሉን እዩ። 37
ንዔላም ኣብ ቅድሚ ጸላእቶምን ኣብ ቅድሚ እቶም ነፍሶም ዚደልዩን ከርዕዶም፡ መዓት እቲ ዃህሪ
ቑጥዓይ ከውርደሎም፡ ክሳዕ ዘጥፍኦም ከኣ ደድሕሪኦም ሰይፊ ኽሰድድ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 38
ዝፋነይ ከኣ ኣብ ዔላም ክተክል፡ ንጉስን መሳፍንትን ድማ ካብኣ ኽጥፍእ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር 39
ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ግና ኪኸውን እዩ፡ ንምርኮ ዔላም ክመልሶ እየ። ይብል እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 50

1 እቲ እግዚኣብሄር ብዛዕባ ባቢሎንን ብዛዕባ ሃገር ከለዳውያንን ብነብዩ ኤርምያስ ገይሩ እተዛረቦ ቓል
እዚ እዩ፡ 2 ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣውርዩን ኣውጁን ሰንደቕ ዕላማ ትኸሉን፡ ከይሐባእኩም ከኣ፡
ባቢሎን ተታሒዛት፡ ቤል ነወረ፡ መሮዳክ ተሰባበረ፡ ምስልታቱ ነወረ፡ ጣኦታቱ ኸኣ ተሰባበረ፡ ኢልኩም
ኣውጁ። 3 ህዝቢ ኻብ ሰሜን ተንሲኡዋ ኣሎ እሞ፡ ንሃገራ በረኻ ኺገብራ እዩ፡ ኣብኣ ዚነብር ከኣ ሓደ
እኳ ኣይኪህሉን እዩ፡ ሰብን ከብትን ሀዲሞም ሃው በሉ። 4 በተን መዓልትታት እቲኤንን በቲ ጊዜ እትን
ደቂ እስራኤል፡ ንሳቶምን ደቂ ይሁዳን ሐቢሮም ኪመጹ እዮም፡ እናበኸዩ ኪኸዱ፡ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኾምውን ኪደልዩ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 5 መገዲ ጽዮን ኪሐቱ፡ ገጾም ናብኣ ኣቕኒዖም ከኣ፡
ንዑናይ፡ ብዘይርሳዕ ዘለኣለማዊ ኺዳን ምስ እግዚኣብሄር ሕበሩ፡ ኪብሉ እዮም። 6 ህዝበይ ጥፉእ መጓሰ
ኣባጊዕ ነበረ፡ ጓሶተን ኣጋገይወን፡ ናብ ኣኽራን ኣኹብለልወን፡ ንሳተን ካብ ኣኽራን ናብ ኩድኹዶታት
ነፊጻ፡ ስፍራ ማሕደሪኤን ከኣ ረስዓ። 7 ዝረኸብወን ዘበሉ ኹሎም በልዕወን። ጸላእቶም ድማ፡ ንሳቶም
ንእግዚኣብሄር ማሕደር ጽድቂ፡ ንእግዚኣብሄር ተስፋ ኣቦታቶም ዐጊቦም እዮም እሞ ንሕናስ
ኣይበደልናን፡ በሉ። 8 ካብ ማእከል ባቢሎን ሀደሙ፡ ካብ ሃገር ከለዳውያን ወጹ፡ ኣብ ቅድሚ መጓሰ
ድማ ከም ድቤላታት ኩኑ። 9 እንሆ፡ ኣነ ኻብ ሃገር ሰሜን ንባቢሎን ናይ ዓበይቲ ህዝብታት ኣኼባ
ኽተንስኣላን ከውጽኣላን እየ እሞ፡ ንሳቶም ንውግእ ኪስለፉላ እዮም፡ ካብዚ ወገን እዚ ኸኣ ክትተሐዝ
እያ። ፍላጻታቶም ከምቲ ናይ ንፉዕ ተዋጋኢ እዩ፡ ሓንቲ እኳ ብኸንቱ ኣይትምለስን እያ። 10 ምድሪ
ከለዳውያን ንዝመተ ኽትውፈ እያ፡ ኲላቶም ዘመትታ ድማ ከጸግቡ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 11
ኣቱም ዘመትቲ ርስተይ፡ እንተ ተሐጐስኩምን እንተ ተፈሳህኩምን እኳ፡ ኣብ ዓውዲ ኸም ዚኸዳ ኣሩሕ
እኳ እንተ ተሰራሰርኩም፡ከም ብርቱዓት ኣፍራስ ውን እንተ ሐምሐምኩምሲ፡ 12 ኣዴኹም ክትንውር፡
እታ ወላዲትኩም ክትሐፍር እያ። እንሆ፡ ንሳ ዳሕረይቲ እቶም ህዝብታት፡ በረኻን ምድሪ ኣጻምእን
ምድረ በዳን ክትከውን እያ። 13 ብምኽንያት ቑጥዓ እግዚኣብሄር ብዘላ ኽትባድም እያ እምበር፡ ድሕርዚ
ኣብኣ ዚነብር የልቦን። ነፍሲ ወከፍ ብባቢሎን ዚሐልፍ ከኣ በቲ ኹሉ ስቓይ ኺስክሓላን ኪፋጽየላን
እዩ። 14 ኣቱም ቀስቲ እትግትሩ ኹሉኹም፡ ንባቢሎን ክትወግእዋስ ኣብ ዙርያኣ ተሰለፉ። ንእግዚኣብሄር
ዐጊባቶ እያ እሞ፡ ወርውሩላ፡ ፍላጻታት ኣይትብቀቑ። 15 ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ዙርያኣ ኸምዚ ኢልኩም
ጨድሩላ፡ ኢዳ ሀበት፡ መንደቕ ዕርዳ ወደቐ፡ ቀጽሪ ፈረሰ፡ እዚ ሕነ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ ሕኔኣ

ፍደይዋ፡ ከምቲ ዝገበረቶ ግበርዋ። [16] ንዘራእን ነቲ ብጊዜ ቐውዒ ማዕጺድ ዚሕዝን ካብ ባቢሎን
ኣጽንትዎም። ካብቲ ጨኳኒ ሰይፊ ኼምልጡስ፡ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ህዝቡ ይመለስ፡ ነፍሲ ወከፍ ከኣ
ነናብ ሃገሩ ይህደም። [17] እስራኤል ኣናብስ ተሃዳዲኖምዋ፡ እተባረረት በጊዕ እያ። ቅድም ንጉስ ኣሶር
በልዓ፡ ኣብ መወዳእታ ኸኣ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ዓጻጽምታ ሰባበረ። [18] ስለዚ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት፡ ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ከምቲ ንንጉስ ኣሶር ዝቐጻዕክዎ፡ ከምኡ ኸኣ
ንንጉስ ባቢሎንን ንሃገሩን ክቐጽዕ እየ። [19] ንእስራኤል ናብቲ መጓሰዪኡ ኽመልሶ እየ፡ ኣብ ቀርሜሎስን
ኣብ ባሳንን ኪጓሰ እዩ፡ ነፍሱውን ኣብ ኰረቢት ኤፍሬምን ጊልኣድን ክትጸግብ እያ። [20] ነቶም
ዘትረፍክዎምሲ ይቕረ ኽብለሎም እየ እሞ፡ በተን መዓልትታት እቲኣተንን በቲ ጊዜ እትን ኣበሳ
እስራኤል ይድለ ኣይህሉን ከኣ፡ ሓጢኣት ይሁዳውን ኪሰኣን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [21] ናብ ሃገር
ሜራታይምን ናብቶም ኣብ ጴኮድ ዚነብሩን ውጻእ እሞ፡ ቅተሎም፡ ነቲ ድሕሪኦም ዘሎ ኸኣ ብጥራስ
ኣጥፍኣዮ፡ ብዅሉ ድማ ከምቲ ኣነ ዝኣዘዝኩኻ ግበር፡ ይብል እግዚኣብሄር። [22] ደሃይ ውግእን ዓብዪ
ምፍርስን ኣብታ ሃገር ይስማዕ ኣሎ። [23] እዛ ሞደሻ ዅሉ ምድሪ ኸመይ ኢላኽ ተሰብረትን ተደቝሰትን፡
ከመይ ኢላስ ባቢሎን ኣብ ማእከል ህዝብታት መሰክሒ ዀነት። [24] ኣቲ ባቢሎን፡ መፈንጠራ
ኣጻወድኩልኪ፡ ከይፈለጥኪ ኸኣ ተተሐዝኪ። ምስ እግዚኣብሄር ኢኺ እተዋጋእኪ እሞ፡ ተረኺብክን
ተተሐዝክን። [25] እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ ሃገር ከለዳውያን ዜቕንዖ ተግባር ኣለዎ
እሞ፡ እግዚኣብሄር ንቤት መሳርያኡ ኸፊቶ፡ ኣጽዋር ኵራኡውን ኣውጽኤ። [26] ካብ ወሰናት ምድሪ
መጺእኩም ውረርዋ፡ ሪቓ ኽፈቱ፡ ከም ምህርቲ እኸሊ ኹምርዋ ብጥራስ ከኣ ኣጥፍእዋ፡ ሓንቲ እኳ
ኣይተትፍሩ። [27] ንዅሎም ኣረውሓ ቕተልዎም፡ ናብ ማሕረዲ ኣውርድዎም። መዓልቶም፡ እታ ጊዜ
መቕጻዕቶም፡ በጺሓ እያ እሞ፡ ወይለኦም። [28] ሕነ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡ ሕነ መቕደሱ ኣብ ጽዮን
ኬውርዮስ፡ ድምጺ እቶም ካብ ሃገር ባቢሎን ዝሀደሙን ዘምለጡን ይስማዕ ኣሎ። [29] ንወርወርቲ ቐስቲ፡
ንዅላቶም ቀስቲ ዚግትሩ፡ ንባቢሎን ኪወግእዋ ኣኽትትዎም፡ ሓደ እኳ ኸየምልጥ ኣብ ከባቢኣ ስፈሩ።
ከም ግብራ ፍደይዋ። ንእግዚኣብሄር፡ ነቲ ናይ እስራኤል ቅዱስ፡ ተዐብያትሉ እያ እሞ፡ ከምቲ ዝገበረቶ
ዅሉ ግበርዋ። [30] ስለዚ እቶም ኣባጽሓ ኣብ ኣደባባያት ኪወድቁ እዮም፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ
ኵሎም እቶም ናታ ተዋጋእቲ ኪጠፍኡ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። [31] ኣቲ ትዕቢተኛ፡ እታ ንኣኺ
ዝቐጽዓላ ጊዜ፡ እታ መዓልትኺ መጺኣ እያ እሞ፡ እንሆ፡ ናባኺ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት። [32] እቲ ትዕቢተኛ ኺዕንቀፍን ኪወድቕን እዩ፡ ዜተንስኦ ድማ የብሉን፡ ኣብ ከተማታቱ
ኸኣ ሓዊ ኽትኩስ እየ፡ ንሱውን ንዅሉ ኸባቢኡ ሞዥ ኬብሎ እዩ። [33] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እቶም ደቂ እስራኤልን ደቂ ይሁዳን ብሓባር ጥቑዓት እዮም፡ እቶም ዝማረኽዎም
ኵላቶም ከኣ ሐዚዎም፡ ከይሐድግዎም ድማ ኣበዩ። [34] ተበጃዊኦም ብርቱዕ እዩ፡ ስሙ ኸኣ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት እዩ። ንምድሪ ህድኣት ኪህብ፡ ነቶም ኣብ ባቢሎን ዚነብሩ ዘለዉ ኸኣ ኪህውኽሲ፡
ነገሮም ኬቕንዓሎም እዩ። [35] ሰይፊ ኣብ ልዕሊ ከለዳውያንን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ ባቢሎን ዚነብሩን ኣብ
ልዕሊ መሳፍንታን ኣብ ልዕሊ ጥበበኛታታን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [36] ሰይፊ ኣብ ልዕሊ እቶም
ተጀሃርቲ እዩ እሞ፡ ዓያሱ ኪዀኑ እዮም። ሰይፊ ኣብ ልዕሊ ጀጋኑኣ እዩ እሞ፡ ኪፈርሁ እዮም። [37] ሰይፊ
ኣብ ልዕሊ ኣፍራሳን ኣብ ልዕሊ ሰረገላታታን ኣብ ልዕሊ ዅሎም እቶም ኣብ ማእከላ ዘለዉ ሕውስዋስ
ህዝብን እዩ እሞ፡ ከም ኣንስቲ ኪዀኑ እዮም። ሰይፊ ኣብ ልዕሊ መዛግቦም እዩ እሞ ኪብዝበዙ እዮም።
[38] ሃገር ቅሩጽ ምስልታት እያ፡ ብጣኦታት ከኣ ሃተምተም ይብሉ ኣለዉ እሞ፡ ደርቂ ኣብ ልዕሊ ማያቶም
እዩ፡ ኪነጽፍ ድማ እዩ። [39] ስለዚ ኣራዊት በረኻ ምስ ወኻሩ ኪነብሩላ፡ ሰገናትውን ኣብኣ ኪሰፍራ እየን።

ደጊም ንሓዋሩ ኣብኣ ዚነብር የልቦን፡ ንውሉድ ወለዶውን ኣይክትስራሕን እያ። [40] ከምቲ እግዚኣብሄር
ንሶዶምን ጎሞራን ነተን ጐረባብተንን ዝገላበጠን፡ ከምኡ ኣብኣ ሰብ ኣይኪነብርን፡ ኣብኣውን ውሉድ
ሰብ ሓደ እኳ ኣይኪሰፍርን እዩ፡ ይብል እግዚኣብሄር። [41] እንሆ፡ ህዝቢ ኻብ ሰሜን ይመጽእ፡ ካብ ወሰን
ምድሪ ኸኣ ዓብዪ ህዝብን ብዙሓት ነገስታትን ይነቕሉ። [42] ቀስትን ኲናትን ይሕዙ፡ ጨካናት፡ ምሕረት
ዜብሎም እዮም። ድምጾም ከም ህማም ባሕሪ እዩ፡ ኣፍራስ ይሰሩ። ኣቲ ጓል ባቢሎን፡ ንውግእ ከም
እተዳለወ ሰብኣይ ተሰሊፎም ይመጹኺ ኣለዉ። [43] ንጉስ ባቢሎን ብዛዕባኦም ወረ ይሰምዕ፡ ኣእዳዉ ኸኣ
ይልሕልሓ፡ ከም እትወልድ ሰበይቲውን ጸበባን ቅልውላውን ሒዝዎ ኣሎ:: [44] እንሆ፡ ንሱ ኻብ ትዕቢት
ዮርዳኖስ ናብቲ ጽኑዕ መሳፍሮ ኸም ኣንበሳ ይድይብ ኣሎ፡ ብሉብሉ ኸኣ ካብኣ ኽሰጎም እየ። ነቲ
እተሐርየ ድማ ኣብ ልዕሊኣ ኽሸሞ እየ። ዚመዓራረየኒ መን እዩ ቈጸራ ዚገብረለይከ መን እዩ እቲ ኣብ
ቅድመይ ዚቐውም ጓሳስ መ እዩ [45] ስለዚ እግዚኣብሄር ንባቢሎን ዝመደበላ ምኽርን፡ ንሃገር ከለዳውያን
ዝሐሰበላ ሓሳብን ስምዑ፡ ብርግጽ፡ ነቶም ናእሽቱ መጓሰ ኺጓትትዎም እዮም፡ ብርግጽ ሰፈሮም
ኪስክሓሎም እዩ። [46] በቲ ባቢሎን ተታሕዘት ዚብል ደሃይ ከኣ ምድሪ ተንቀጥቅጥ ኣላ፡ ኣብ ማእከል
ህዝብታትውን ጭራሕምራሕ ይስማዕ ኣሎ።

# ምዕራፍ 51

[1] እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣነ ንባቢሎንን ነቶም ኣብ ማእከል ጸላእተይ ዚነብሩን
ዜጥፍእ ንፋስ ከተንስእ እየ። [2] ንባቢሎን ዚምስእይዋ፡ ንሃገራ ኸኣ ዜባድምዋ ጓኖት ክሰደላ እየ። በታ
መዓልቲ መዓት ከኣ ብኹሉ ወገን ኪወርዋ እዮም። [3] እቲ ወርዋሪ ነቲ ቐስቲ ዚግትርን ነቲ ብድርዒ
ዜጓብብን ቀስቱ ይገትረሎም። ነቶም ኣጕባዛ ድማ ኣይትንሓፍዎም፡ ንኹሉ ጭፍራኣ ኣጥፍእዎ። [4] ኣብ
ሃገር ከለዳውያን ከኣ ቅቱላት፡ ኣብ ኣደባባያታ ድማ ውጉኣት ኪወድቁ እዮም። [5] ምንም እኳ ሃገሮም በቲ
ንናይ እስራኤል ቅዱስ ዝበደልዎ በደል እንተ መልኤት፡ እስራኤል ወይስ ይሁዳ ብእግዚኣብሄር፡
ብጐይታ ሰራዊት ኣምላኾም፡ መበለት ኣይኰኑን። [6] ብሰሪ ዓመጻኣ ኸይትጠፍኡስ፡ ካብ ባቢሎን ህደሙ፡
ነፍሲ ወከፍ ነፍሱ የድሕን። እዚ እቲ ጊዜ ምፍዳይ ሕነ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዝገበረቶ
ኺፈድያ እዩ። [7] ባቢሎን ኣብ ኢድ እግዚኣብሄር ንብዘላ ምድሪ እተስክር ጽዋእ ወርቂ ነበረት፡ ህዝብታት
ካብ ወይና ሰተዩ፡ ስለዚ ኸኣ ኣህዛብ ዐበዱ። [8] ባቢሎን ብድንገት ወዲቓ ተሰባበረት። ብኽዩላ፡ ምናልባሽ
እንተ ሐወየት ከኣ፡ ነቲ ቓንዛኣ ፈውሲ ኣምጽኡላ። [9] ፍርዲ ኽሳዕ ሰማይ በጺሑ፡ ክሳዕ ደበናውን ደዪቡ
እዩ እሞ፡ ንባቢሎን ክነሕውያ ደሌና፡ ግናኸ ኣይሐወየትን። ሕደግዋ፡ ንዑናይ ነፍሲ ወከፍ ነናብ ሃገርና
ንኺድ። [10] እግዚኣብሄር ንጽድቅና ኣውጺኡልና እዩ፡ ንዑናይ ንግብሪ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣብ ጽዮን
ነውርዩ። [11] እግዚኣብሄር ሓሳቡ ንባቢሎን ኬጥፍእ ስለ ዝኾነ፡ ንመንፈስ ነገስታት ሜዶን ኣለዓዐሎ።
እዚውን ምፍዳይ ሕነ እግዚኣብሄር፡ ሕነ መቕደሱ እዩ እሞ፡ ፍላጻታት ኣብልሑ፡ ዋላቱ ሐዙ። [12]
እግዚኣብሄር ነቲ ብዛዕባ እቶም ኣብ ባቢሎን ዚነብሩ እተናገሮ ኽምቲ ዝሐሰቦ ይፍጽሞ ኣሎ እሞ፡ ኣብቲ
መካበብያ ባቢሎን ሰንደቕ ዕላማ ትኸሉ፡ ዘብዔኛታት ኣበርትዑ፡ ሓለውቲ ኣቑሙ፡ ኣድቢኹም
ተዳለዉ። [13] ኣቲ ብመዛግባት ዝማዕበልኪ፡ ኣብ ገምገም ዓበይቲ ማያት እትነብሪ ዘሎኺ፡ መወዳእታኺ፡
እቲ መስፈር ስስዔኺ በጺሑ እዩ። [14] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ድማ፡ ብርግጽ ከም ብኣንበጣ ብሰብ
ክመልኣኪ እየ፡ ንሳቶም ከኣ ኪጭድሩልኪ እዮም፡ ኢሉ ብርእሱ መሐለ። [15] ንሱ ብሓይሉ ምድሪ ፈጠረ፡
ብጥበቡ ኸኣ ንዓለም ኣቘማ፡ በእምሮኡ ድማ ንሰማያት ዘርግሖ። [16] ድምጺ ምስ ዜስምዕ፡ ኣብ ሰማይ

ማያት ይሀምም፡ ንግመ ኻብ ወሰን ምድሪ የልዕሎ፡ ንመባርቕ ኣብ ዝናም ይገብሮ፡ ንንፋስውን ካብ
መዛግቡ የውጽኦ። 17 ነፍሲ ወከፍ ኣእምሮኡ ጠፊእዎ ይዕነድ። እቲ ዝፈሰሰ ምስሉ ሓሶት እዩ፡ ትንፋስ
ከኣ የብሉን እዩ እሞ፡ ኣንጠረኛ ዘበለ በቲ ዝገበሮ ምስሊ ይሐንኽ። 18 ከንቱነት፡ ናይ ምጥባር ዕዮ
እዮም፡ ብጊዜ ቕጽዓቶም ኪጠፍኡ እዮም። 19 ግደ ያእቆብሲ ኸምዚኣቶም ኣይኰነን። ንኹሉ ዝፈጠረ
ንሱ እዩ፡ እስራኤል ድማ ነገድ ርስቱ እዩ እሞ፡ ስሙ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እዩ። 20 ንስኺ
ሞደሻይን ኣጻዋር ውግኤይን ኢኺ። ብኣኺ ህዝብታት ከጭፍልቕ፡ ብኣኺ መንግስትታት ከጥፍእ እየ።
21 ብኣኺ ፈረስን ፈረሰኛን ከጭፍልቕ፡ ብኣኺ ሰረገላን ኣብኡ ዚቕመጥን ከጭፍልቕ እየ። 22 ብኣኺ
ሰብኣይን ሰበይትን ከጭፍልቕ፡ ብኣኺ ኣረጊትን ቈልዓን ከጭፍልቕ፡ ብኣኺ ጕበዝን ጕርዞን ከጭፍልቕ
እየ። 23 ብኣኺ ጓሳን መጓሲኡን ከጭፍልቕ፡ ብኣኺ ሓረስታይን ጽምዲ ኣብዑሩን ከጭፍልቕ፡ ብኣኺ
ምስለኔታትን መኳንንትን ከጭፍልቕ እየ። 24 ኣነ ኸኣ ንባቢሎንን ንኹሎም እቶም ኣብ ሃገር ከለዳውያን
ዚነብሩን ኲሉ እቲ ኣብ ቅድሚ ዓይንኹም ንጽዮን ዝገበርዋ እከይ ክፈድዮም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር።
25 ኣታ ንኹላ ምድሪ እተጥፍእ ከረን ጥፍኣት፡ እንሆ፡ ናባኻ እየ፡ ኢደይ ናባኻ ኽዝርግሕ እየ እሞ ካብቲ
ኣኻውሕ ከንከራርወካ። ዝሐረረ ኽረንውን ክገብረካ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 26 ንሓዋሩ በረኻ
ኽትከውን ኢኻ እምበር፡ ካባኻስ እምኒ መኣዝን ወይስ እምኒ መሰረት ዚወስድ የልቦን፡ ይብል
እግዚኣብሄር። 27 ሰንደቕ ዕላማ ኣብታ ሃገር ትኸሉ፡ ኣብ ማእከል ህዝብታት መለኸት ንፍሑ፡ ህዝብታት
ንውግእ ኣዳልዉላ፡ መንግስትታት ኣራራትን ሚናን ኣሽከናዝን ኣኽትቱላ፡ መኳንንቲ ሽሙላ፡ ጸጓራት
ኣንበጣ ዚመስሉ ኣፍራስ ኣደይቡላ። 28 ህዝብታትን ነገስታት ሜዶንን ምስለኔታትን ኲላቶም መኳንንታን
ኲላ እታ ሃገር ግዝኣታን ንውግእ ኣዳልዉላ። 29 እቲ፡ እግዚኣብሄር ንሃገር ባቢሎን ሓደ እኳ ዚነብረላ
ዜብላ በረኻ ኺገብራ ኢሉ፡ ንባቢሎን ዝኣመመላ ሓሳብ ይፍጸም ኣሎ እሞ፡ ምድሪ ተንቀጥቅጥን
ራዕራዕ ትብልን ኣላ። 30 ጀጋኑ ባቢሎን ምውጋእ ሐዲጎም፡ ኣብ ዕርድታቶም ይቕመጡ ኣለዉ፡ ሓይሎም
ጠፊኡ ኸም ኣንስቲ ኾኑ። ኣባይታ ብሓዊ ነደደ፡ መሸጐሪኣ ተሰብረ። 31 ንንጉስ ባቢሎን ከተማኡ
ብኹሉ ወገን ከም እተታሕዘት ኬውርየሉስ፡ እቲ ሓደ ጕያዩ ነቲ ሓደ የኺልሞ፡ እቲ ሓደ ልኡኽ ከኣ
ነቲ ሓደ ልኡኽ የኺልሞ ኣሎ። 32 መሳገሪታት ተታሒዙ፡ ሻምብቖ ኸኣ ነዲዱ፡ እቶም ተዋጋእቲውን
ሰምቢዶም ኣለዉ። 33 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፡ ኣምላኽ እስራኤል፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እታ ጓል
ባቢሎን ከም ኣብቲ ወርሓት ዚኺዱሉ ዓውዲ እያ፡ ቅሩብ ጸኒሑ ኸኣ ጊዜ ቐውዲ ኺመጻ እዩ። 34
ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን በልዓኒ፡ ጨፍለቐኒ ባዶ ኣቕሓ ገበረኒ፡ ከም ገበል ወሐጠኒ፡ በቲ ጠጥዑመይ
ከብዱ መልኤ ሰጐጐኒውን። 35 እታ ኣብ ጽዮን እትነብር ዘላ፡ ንኣይን ንስጋይን እተገብረ ግፍዒ ናብ
ባቢሎን ይውረድ፡ ትበል። የሩሳሌም ከኣ፡ ደመይ ናብቶም ኣብ ሃገር ከለዳውያን ዚነብሩ ዘለዉ
ይውረድ፡ ትበል። 36 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ እንሆ፡ ኣነ ኽጣበቐልኪ፡ ሕነኺ ድማ
ክፈድየልኪ እየ። ንባሕሪ ኸንጽፎ፡ ንዔላታት ኸኣ ከንቅጾ እየ። 37 ባቢሎን ድማ ኲምራ እምንን መሳፍሮ
ወኻሩን፡ ሓደ እኳ ዚነብረላ ዜብላ መሰክሕን መላገጽን ክትከውን እያ። 38 ሐቢሮም ከም ኣናብስ
ኪጓዝሙ፡ ከም ኲራኲር ኣናብስ ከኣ ሕኒን ኪብሉ እዮም። 39 ምስ ተራሰኑ፡ መስተ ከቕርበሎም እየ፡
ኪሕጐሱን ንሓዋሩ ድቃስ ኪድቅሱን ከቶውን ከይነቕሑንሲ፡ ከስክሮም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር። 40
ከም ዕያውትን ከም ደዓውልን ድቤላታትን ናብ ማሕረዲ ኸውርዶም እየ። 41 ሼሻኽ ከመይ ኢላ
ተታሕዘት፡ እዛ ውዳሰ ኹሉ ምድሪ ኸመይ ኢላ ተታሕዘት፡ እዛ ውዳሰ ኹሉ ምድሪ ኸመይ ኢላ
ተሳዕረት፡ ባቢሎን ከመይ ኢላ ኣብ ማእከል ህዝብታት መስደመሚ ኾነት። 42 ባሕሪ ናብ ልዕሊ ባቢሎን
ደየበ፡ ንሳ ብምብርታዕ ማዕበሉ ተኸድነት። 43 ከተማታታ ኸኣ ምድሪ በዳን ንቑጽ ምድርን በረኻን፡ ሓደ

እኳ ዘይነብረላ፡ ወሉድ ሰብውን ብእኣ ዘይሐልፍ ሃገርን ኰነት። 44 ኣነ ንቤል ኣብ ባቢሎን ክቐጽዖ፡ ነቲ
ዝወሐጦ ድማ ካብ ኣፉ ኸውጽኦ እየ። ድሕርዚ ድማ ህዝብታት ኣብኣ ኣቢሎም ኣይኪውሕዙን እዮም።
ቀጽሪ ባቢሎንውን ይወድቕ። 45 ኣቱም ህዝበይ፡ ካብ ማእከላ ወጹ። ካብቲ ጒሁር ቍጥዓ እግዚኣብሄር
ድማ ነፍሲ ወከፍኩም ነፍሱ የድሕን። 46 በዚ ዓመት እዚ ሓደ ወረ ኺውረ፡ በቲ ዳሕራይ ዓመት ድማ
ካልእ ወረ ኺውረ፡ ኣብ ሃገር ከኣ ዓመጻ ኺስልጥን፡ ገዛኢውን ኣብ ገዛኢ ኺለዐል እዩ እሞ፡ ልብኹም
ኣይምለቑ፡ በቲ ኣብታ ሃገር ዚስማዕ ወረ ኸኣ ኣይትፍርሁ። 47 ስለዚ፡ እንሆ፡ ነቲ ቕሩጽ ምስልታት
ባቢሎን ዝቐጽዓለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ኲሉ ሃገራ ኸኣ ኪሐፍር እዩ፡ ኲላቶም ቅቱላቱውን ኣብ
ማእከል ኪወድቁ እዮም። 48 እቶም መጥፋእቲ ካብ ሰሜን ኪመጽዋ እዮም እሞ፡ ሰማይን ምድርን
ኣብኦም ዘሎ ኹሉን ብዛዕባ ባቢሎን እልል ኪብሉ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 49 ከምዚ ባቢሎን
ንቕቱላት እስራኤል ዘውደቐቶም፡ ከምኡውን ቅቱላት ኲላ ምድሪ ኣብ ባቢሎን ኪወድቁ እዮም። 50
ኣቱም ካብ ሰይፊ ዘምለጥኩም ኪዱ፡ ጠጠው ኣይትበሉ፡ ካብ ርሑቕ ንእግዚኣብሄር ዘክሩ፡
ንየሩሳሌምውን ኣብ ልብኹም ሕሰቡ። 51 ጸርፊ ሰማዕና እሞ፡ ሐነኽና፡ ጓኖት ኣብቲ ቅዱስ ስፍራታት
ቤት እግዚኣብሄር መጺኦም እዮም እሞ፡ ነውሪ ንገጽና ኣጕልበቦ። 52 ስለዚ እንሆ፡ ኣነ ነተን ቅሩጽ
ምስልታታ ዝቐጽዓለን መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ እቶም ንሞት ዜዋልኡ ውጉኣት ከኣ ኣብ ኲሉ ሃገራ
ኺበኽዩ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 53 ባቢሎን ክሳዕ ሰማይ እኳ እንተ ደየበት፡ ሓይላ ኸኣ ኣብ ላዕሊ
እኳ እንተ ኣጽንዔት፡ መጥፋእቲ ኻባይ ኪመጽዋ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 54 ጭድርታ ኻብ
ባቢሎን፡ ዓብዪ ምፍራስ ካብ ሃገር ከለዳውያን ይስማዕ ኣሎ። 55 እግዚኣብሄር ንባቢሎን የዕንዋ፡ ነቲ
ብርቱዕ ደሃይ ድማ ካብኣ የጥፍኦ ኣሎ እሞ፡ ማዕበሎም ከም ብዙሕ ማያት ይህምም፡ ጭራሕምራሖም
ከኣ ይስማዕ ኣሎ። 56 እግዚኣብሄር፡ ንሱ ኣምላኽ ምፍዳይ፡ ብርግጽ መስጣ ዚህብ እዩ እሞ፡ ኣብኣ ናብ
ባቢሎን መጥፍኢ መጺኡ፡ ጀጋኑኣ ተታሒዞም፡ ቀስትታቶም ተሰባቢሩ እዩ። 57 ኣነ ኸኣ ንመሳፍንታን
ንጠቢባናን፡ ንምስለኔታታን ንመኳንንታን ንጀጋኑኣንሲ ንሓዋሩ ድቃስ ኪድቅሱን ከቶውን ከይነቕሑን
ከስክሮም እየ፡ ይብል እቲ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ዝስሙ ንጉስ። 58 እቲ ገፊሕ ቀጽርታት ባቢሎን
ጥራስ ኪፈርስ፡ እቲ ነዊሕ ልዳውታ ኸኣ ብሓዊ ኪነድድ እዩ። ህዝብታት ንኸንቱ ኺዐዩ፡ ኣህዛብ ከኣ
ንሓዊ ኺደኽሙ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 59 እቲ፡ ነብዩ ኤርምያስ ንሰራያ ወዲ
ኔርያ ወዲ ማህሰያ፡ ምስ ጼድቕያስ ንጉስ ይሁዳ ኣብታ ራብዐይቲ ዓመት መንግስቱ ናብ ባቢሎን ምስ
ከደ ዝኣዘዞ ቓል እዚ እዩ። ሰራያ ኸኣ ሓለቓ ዝፋን ቤት ነበረ። 60 ኤርምያስ ከኣ ንኹሉ እቲ ኣብ ባቢሎን
ዚወርድ መዓት፡ ማለት ኲለን እተን ብዛዕባ ባቢሎን እተጻሕፋ ቓላት ኣብ ሓደ መጽሓፍ ጸሐፈን። 61
ኤርምያስ ድማ ንሰራያ በሎ፡ ኣብ ባቢሎን ምስ ኣቶኻ፡ ኲለን እዘን ቃላት ከተንብበን መዘኻ እዩ፡ 62
በልውን፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ብዛዕባ እዛ ቦታ እዚኣ፡ ሰብ ወይስ እንስሳ፡ ሓደ እኳ ኸም ዘይነብረላ
ጌርካ ኸም እተጥፍኣ፡ ንሓዋሩውን ምድረ በዳ ኸም እትኸውን ኢልካ ተዛሪብካ። 63 ነዛ መጽሓፍ እዚኣ
ኣንቢብካ ምስ ወዳእካያ፡ እምኒ እሰረላ፡ ኣብ ማእከል ኤፍራጥስ ደርብያ እሞ፡ 64 ከምዚ ኹይና ባቢሎን
በቲ ኣነ ዘውርደላ መዓት ክትሰጥም፡ መሊሳውን ኣይክትትንስእን እያ፡ ኪደኽሙ ድማ እዮም፡ ኢልካ
ተዛረብ። ክሳዕ እዚ ቓላት ኤርምያስ እዩ።

## ምዕራፍ 52

1 ጼድቕያስ መንግስቲ ኺጅምር ከሎ፡ ወዲ ዕስራን ሓደን ዓመት ነበረ፡ ኣብ የሩሳሌምውን ዓሰርተው

ሓደ ዓመት ገዝኤ። ኣዲኡ ሃሚጣል እትበሃል ጓል ኤርምያስ ብዓል ሊብና እያ። [2] ኣብ ቅድሚ ዓይኒ
እግዚኣብሄር ከኣ ከምቲ ኹሉ ዮኣቂም ዝገበሮ ኽፉእ ገበረ። [3] ኲራ እግዚኣብሄር፡ ካብ ቅድሚ ገጹ ኺሳዕ
ዚድርብዮም፡ ኣብ የሩሳሌም ኣብ ይሁዳን ከምዚ ኾነ፡ ጼድቅያስ ከኣ ካብ ንጉስ ባቢሎን ዐለወ። [4]
ኣብታ ታስዐይቲ ዓመት መንግስቱ፡ ኣብ ዓስረይቲ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒ ኸኣ ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ፡
ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን፡ ንሱን ኲሉ ሰራዊቱን ኣብ የሩሳሌም መጹ፡ ኣብ ዙርያኣ ሰፈሩ፡ ዕርድታት
ሰሪሖም ከኣ ከበብዋ። [5] እታ ኸተማ ድማ ክሳዕ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመቱ ንንጉስ ጼድቅያስ ተኸቢባ
ነበረት። [6] ኣብታ ራብዐይቲ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒ ኸኣ ኣብ ታስዐይቲ መዓልቲ፡ ጥሜት ኣብታ ኸተማ
በርትዔ፡ ህዝቢ እታ ሃገርውን እንጌራ ሰኣነ። [7] ከለዳውያን ነታ ኸተማ ኽቢቦምዋ ኸለዉ፡ ሽዑ እታ
ኸተማ ጋህ ኢላ ተኸፍተት፡ ኲሎም እቶም ተዋጋእቲ ብለይቲ በቲ ኣብ ጥቓ ኣታኽልቲ ንጉስ ብመንጎ
ኽልተ መንደቕ ዘሎ ኣፍ ደገ ወጺኦም ሀደሙ፡ በቲ መገዲ ጐልጐል ከኣ ኸዱ። [8] ሰራዊት ከለዳውያን ግና
ነቲ ንጉስ ሰዐብዎ፡ ንጼድቅያስ ኣብ ጐልጐል ያሪኮ ኣርከብዎ፡ ሰራዊቱ ኸኣ ሓዲግዎ ፋሕ በለ። [9] ሽዑ ነቲ
ንጉስ ሐዝዎ፡ ናብ ሪብላ ኣብ ሃገር ሃማት ናብ ንጉስ ባቢሎን ኣምጽእዎ፡ ንሱውን ፍርዱ ተዛረበ። [10]
ንጉስ ባቢሎን ከኣ ንደቂ ጼድቅያስ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ሐረዶም፡ ምስናይ እዚ ድማ ንኹሎም መሳፍንቲ
ይሁዳ ኣብ ሪብላ ሐረዶም። [11] ንጼድቅያስ ከኣ ኣዒንቱ ኣንቈሮ፡ ንጉስ ባቢሎንውን ብመቕኑሕ ነሓሲ
ኣሰሮ፡ ናብ ባቢሎን ወሰዶ፡ ክሳዕ መዓልቲ ሞቱ ኸኣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣንበሮ። [12] ኣብታ ሓምሰይቲ
ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒውን ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ፡ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ኣብ መበል ዓሰርተው
ትሽዓት ዓመቱ ናቡዘራዳን፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ንጉስ ባቢሎን ዚቐውም ሓለቓ ዘብዔኛታት፡ ናብ
የሩሳሌም መጸ። [13] ቤት እግዚኣብሄርን ቤት ንጉስን ከኣ ኣንደደ፡ ንኹለን ኣባይቲ የሩሳሌም፡ ምናዳ እኳ
ነተን ዓበይቲ ኣባይቲ ዘበላ ብሓዊ ኣንደደን። [14] ኲሉ እቲ ምስቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ዝነበረ ሰራዊት
ከለዳውያን ድማ ንኹሉ እቲ ኣብ ከባቢኣ ዝነበረ መንደቕ የሩሳሌም ኣፍረሶ። [15] ናብዘራዳን ሓለቓ
ዘብዔኛታት ካብቶም ድኻታት ህዝብን፡ ነቶም ኣብታ ኸተማ ዝተረፉ ተረፍ ህዝብን፡ ነቶም ቅድም ናብ
ንጉስ ባቢሎን ዝኣተዉ ዓለወኛታትን እቶም ተሪፎም ዝነበሩ ብዙሓትን ማረኾም። [16] ናቡዘራዳን፡ ሓለቓ
ዘብዔኛታት ግና ካብቶም ኣዝዮም ድኻታት እታ ሃገር እቲኣ ተኸልቲ ወይንን ሓረስቶትን ኪኾኑ
ኣትረፎም። [17] ከለዳውያን ከኣ ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዝነበረ ኣዕኑድ ኣስራዝን ነቲ ኣብ ቤት
እግዚኣብሄር ዝነበረ ኣዕኑድ ኣስራዝን ነቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዝነበረ መናብርን ባሕሪ ኣስራዝን
ሰባበርዎ፡ ንኹሉ እቲ ኣስራዚኡ ኸኣ ናብ ባቢሎን ወሰድዎ። [18] ነቲ ድስትታትን መጽሓሪታትን ካራታትን
ሒላባትን ጽውኣትን ኲሉ እቲ ዜገልግሉሉ ዝነበሩ ኣቓሑ ኣስራዝን ወሰድዎ። [19] እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት
ከኣ ነቲ ኣጻሕልን ምድጃን ሒላባትን ድስትታትን ቀዋሚታት ቀንዴልን ፈናጅልን ጽውኣትን፡ ናይ ወርቂ
ዝኾነ ወርቁ፡ ናብ ብሩር ዝኾነ ብሩር ወሰደ። [20] እተን ክልተ ዓንድን እቲ ሓደ ባሕርን እቲ ንጉስ
ሰሎሞን ንቤት እግዚኣብሄር ዘግበሮ መናባር ዝኾነ ዓሰርተው ክልተ ብዕራይ ኣስራዝን ወሰዶ። ነዚ
ኹሉ ኣቓሑ ኣስራዚ መምዘኒ ኣይተረኽበሉን። [21] እተን ኣዕኑድ ከኣ፡ ቁመት ሓንቲኤን ነዘን ኣዕኑድ
እዚኣተን ዓሰርተው ሾሞንተ እመት እዩ። ዙርያኣ ድማ ዓሰርተው ክልተ ዝእመታ ፈትሊ እትልክዓ እያ።
ምርጓዳ ኣርባዕተ ጻት እዩ፡ ጓንጓውን እያ። [22] ብልዕሊኡ ኸኣ ጒልላት ኣስራዚ ኣለዎ፡ ምናሕ ሓደ ጒልላት
ድማ ሓሙሽተ እመት እዩ። ዙርያ እቲ ጒልላት ድማ ሓሙሽተ እመት እዩ። ዙርያ እቲ ጒልላት ከኣ
ብስራሕ ዓይነርጋብን ሮማንን ክሉል እዩ፡ ኲሉ ድማ ካብ ኣስራዚ እዩ። እታ ኻልኣይቲ ዓንድን እተን
ሮማንን ከኣ ከምኡ እየን። [23] እተን ሮማን ብወጻኢ ተስዓን ሹድሽተን እየን። ኲለን እተን ሮማን ኣብ
ዙርያ እቲ ዓይነርጋብ ከኣ ሚእቲ እየን። [24] እቲ ሓለቓ ዘብዔኛታት ከኣ ንሰራያ ሊቀ ኻህንን ንጾፋንያ እቲ

ኻልኣይ ካህንን ነቶም ሰለስተ ሓለውቲ ደገን ወሰዶም። 25 ካብታ ኸተማ ኸኣ ንሓደ ኣዛዝ እቶም ተዋጋእቲ ዝነበረ ስሉብን ኣብታ ኸተማ እተረኽቡ ገጽ ንጉስ ዚርእዩ ሾብዓተ ሰብኡትን፡ ነቲ ህዝቢ እታ ሃገር ንውግእ ዚምልምል ዝነበረ ጸሓፊ ናይቲ ሓለቓ ሰራዊትን፡ ኣብታ ኸተማ እተረኽቡ ስሳ ሰብኡት ካብ ህዝቢ እታ ሃገርን ወሰዶም። 26 ነዚኣቶም ናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ወሲዱ ናብ ሪብላ ናብ ንጉስ ባቢሎን ኣምጽኦም። 27 ንጉስ ባቢሎን ከኣ ኣብ ሪብላ ኣብ ሃገር ሃማት ወቕዖም ቀተሎም ድማ፡ በዚ ኸምዚ ኸኣ ይሁዳ ኻብ ሃገሩ ተማረኸ። 28 እቲ ነቡካድነጻር ዝማረኾ ህዝቢ እዚ እዩ፡ ኣብታ ሳብዐይቲ ዓመቱ ሰለስተ ሽሕን ዕስራን ሰለስተን ኣይሁድ፡ 29 በታ መበል ዓሰርተው ሾሞንተ ዓመቱ ንነቡካድነጻር ካብ የሩሳሌም ሾሞንተ ሚእትን ሰላሳን ክልተን ነፍሲ ማረኸ። 30 በታ መበል ዕስራን ሰለስተን ዓመቱ ንነቡካድነጻር ድማ ናቡዘራዳን ሓለቓ ዘብዔኛታት ካብ ኣይሁድ ሾብዓተ ሚእትን ኣርብዓን ሓሙሽተን ነፍሲ ማረኸ። ኲሉ እቲ ሰብ ኣርባዕተ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን እዩ። 31 ዮኣኪን ንጉስ ይሁዳ፡ ካብ ዚማረኽ ኣብ መበል ሰላሳን ሾብዓተን ዓመቱ ኣብታ መበል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፡ ኣብታ ወርሒውን ኣብ መበል ዕስራን ሓሙሽተን መዓልቲ፡ ኤዊል መሮዳክ ንጉስ ባቢሎን፡ ኣብታ ቐዳመይቲ ዓመት ግዝኣቱ ንርእሲ ዮኣኪን ንጉስ ይሁዳ ልዕል ኣበሎ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲውን ኣውጽኦ። 32 ብጽቡቕ ተዛረቦ፡ ንመንበሩ ድማ ካብቲ መንበር እቶም ምስኡ ኣብ ባቢሎን ዝነበሩ ነገስታት ልዕል ኣቢሉ ኣንበሮ። 33 ክዳን እስራቱ ለወጠ፡ ምሉእ ዕድሚኡ ኸኣ ኲሉ ጊዜ ኣብ ቅድሚኡ እንጌራ ይበልዕ ነበረ። 34 ምግቡ ድማ ኲሉ ጊዜ ወግሒ ጸብሒ ምሉእ ዕድሚኡ ኽሳዕ መዓልቲ ሞቱ ኻብ ንጉስ ባቢሎን ይመጸሉ ነበረ።።

# ድጕዓ ኤርምያስ

## ምዕራፍ 1

1 እዛ ህዝቢ ጃርጃር ዚብለላ ኸተማ ኸመይ ኢላ እያ ጽምያ እትቕመጥ ዘላ፡ እዛ ኣብ ህዝብታት ዓባይ
ዝነበረት ከመይ ኢላ መበለት ኰነት፡ እዛ ወይዘሮ ኣውራጃታትሲ ገባር ኰነት። 2 ለይቲ ብኽያት ትበኪ፡
ንብዓታ ኣብ ምዕጕርታ ይውሕዝ፡ ካብ ኲሎም እቶም ፈተውታ ሓደ እኳ የልቦን ዜጸናንዓ፡ ኲሎም
ኣዕሩኻ ጠለምዎ እሞ ጸላእታ ኾኑ። 3 ብሰሪ ሓሳርን ብርቱዕ መግዛእትን ይሁዳ ተማሪካ ኣላ፡ ኣብ
ማእከል ኣህዛብ ሰፈራ፡ ህድኣት ከኣ ስኢና ኣላ፡ ኲሎም ተሳጐጕታ ኣብ ጸበባኣ ኣርከብዋ። 4 ናብ በዓል
ዚመጽእ የልቦን እሞ፡ መገድታት ጽዮን ይሐዝን፡ ኲሉ ደጌታታ ፆንዩ፡ ካህናት ይትክዙ ኣለዉ። ደናግላ
ጕህየን፡ ንሳ ድማ ተመሪራ ኣላ። 5 ብሰሪ ብዝሒ ኣበሳኣ እግዚኣብሄር ሓዘን ኣውረደላ እሞ፡ ወደረኛታታ
ርእሲ ኾኑ፡ ጸላእታ ይቕንዮም ኣሎ። ደቃ ተማሪኾም ቀቅድሚ ጸላኢ ኸዱ። 6 ኵሉ ግርማ ጓል ጽዮን
ካብኣ ኣግለሰ። መሳፍንታ ኸም ዚብላዕ ዝሰኣና እራባት ኰኑ፡ ቀቅድሚ ሰጓጒ ንምህዳም ተሐለሉ። 7
የሩሳሌም ብመዓልትታት መከራኣን ምኹብላላን ናይ ጥንቲ ኽቡር ገንዘብ ትዝክር ኣላ። ህዝባ ኣብ ኢድ
ጸላኢ ወዲቑስ ረዳኢ ምስ ሰኣነ፡ ጸላእቲ እናሽካዕለሉ ጥፍኣታ ረኣዩ። 8 የሩሳሌም ብርቱዕ ሓጢኣት
ገበረት፡ ስለዚ ኸም ርኽስቲ ኾነት፡ እቶም ዜኽብርዋ ዝነበሩ ኹሎም ዕርቃና ርእዮም ነዐቕዋ። ንሳውን
እህህ እናበለት ንድሕሪት ትምለስ ኣላ። 9 ርኽሰታ ኣብ ዘፈር ክዳና ኣሎ፡ መወዳእታኣ ኣይሐሰበቶን፡
ስለዚ ምውራዳ መስደምም እዩ፡ ዜጸናንዓውን የልቦን፡ ጸላኢ ይዕበ ኣሎ እሞ፡ ዎ ጐይታይ፡ ጸበባይ
ርኤ። 10 ኣብ ማሕበርካ ኸይኣትው ዝኸልከልካዮም ኣህዛብ ኣብ መቕደሳ ኺኣትዉ ረኣየት እሞ፡ ኣብ
ኲሉ ኽቡር ጥሪታ ጸላኢ ኢዱ ዘርግሔ። 11 ኲሉ ህዝባ እናተከዘ እንጌራ ይደሊ ኣሎ፡ ነፍሶም ክትቀስንሲ
ኽቡር ጥሪቶም ንምግቢ ሀቡ። ዎ ጐይታ፡ ተዋሪደ እየ እሞ፡ ርኤ ጠምትውን። 12 ኣቱም ሐለፍቲ መገዲ
ኹላትኩም እስከ ኣስተዋድይዎ፡ ከምቲ በታ መዓልቲ ጕሁር ቊጥዓኡ እግዚኣብሄር ዘጕሀየኒ ሓንቲ
ስቓይ ከምታ እተቐጻዕኩላ ስቓየይ እንተ ኣልያስ፡ ጠምቱ እሞ ተመልከቱ። 13 ካብ ላዕሊ ናብ ኣዕጽምተይ
ሓዊ ሰደደ፡ ንሱ ኸኣ ኣሕመቐ። ነእጋረይ መፈንጠራ ዘርግሔ፡ ንድሕሪት ድማ መለሰኒ፡ ኣብረስኒ ንኹሉ
መዓልቲውን ኣማህመነኒ። 14 ኣርዑት ኣበሳይ ብኢዱ ተኣስረ፡ ተጠላሊፉ ኣብ ክሳደይ ተነብረ፡ ንሱ
ሓይለይ ኣድከመ። ጐይታ ኣብ ኢድ እቶም ክቃወሞም ዘይከኣለኒ ኣሕሊፉ ወፈየኒ። 15 እግዚኣብሄር
ንኹሎም ጀጋኖይ ኣብ ማእከለይ ራዕ ኣበሎም። ኣጕባዘይ ኪጭፍልቕ፡ ኣኼባ ኣኽተተለይ። ጐይታ ነታ
ድንግል ጓል ይሁዳ ኣብ መጽመቒ ወይኒ ረገጻ። 16 ስለዚ ኣነ እበኪ፡ ኣዒንተይ፡ ኣዒንተይ ንብዓት
ይዝቄቛ። ንነፍሰይ ዜቕስና መጸናንዒ ኻባይ ርሒቑ እዩ እሞ፡ ጸላኢ ስለ ዝሰዐረ፡ ደቀይ በረሱ። 17 ጽዮን
ኣእዳዋ ትዝርግሕ፡ ዜጸናንዓ ኣይተረኽበን። እግዚኣብሄር ንያእቆብ ዚኸብዎ ጸላእቲ ኣዘዘሉ። የሩሳሌም
ኣብ ማእከሎም ከም ርኽስቲ ኾነት። 18 ንኣፉ ተጻሪረ ነይረ እየ እሞ፡ እግዚኣብሄር ጻድቕ እዩ። ኣቱም
ህዝብታት ኲላትኩም፡ ስምዑ ስቓየይውን ርኣዩ፡ ደናግለይን ኣጕባዘይን ተማሪኾም ከዱ። 19
ንፈተውተይ ጸዋዕክዎም፡ ግናኸ ኣስሐቱኒ። ካህናተይን ዓበይተይን ነፍሶም ኬቕስኑ፡ ምግቢ ኺልምኑ
ኸለዉ ኣብ ከተማ ሐለቑ። 20 ዎ እግዚኣብሄር፡ ሐዚነ ኸም ዘሎኹ ርኤ። ኣዝየ ተጻሪረ እየ እሞ
ኣምዑተይ ተኾሰ፡ ልበይ ኣብ ውሽጠት ተገልበጠ፡ ደቀይ ኣብ ግዳም ብሰይፊ ተወድኤ፡ ኣብ ከብዲ
ቤት ከኣ ከም ሞት ኣሎ፡ 21 ቊዝማይ ስምዑ፡ ዜጸናንዓኒ የልቦን። ኲሎም ጸላእተይ መከራይ ሰምዑ፡

ንስኻ ስለ ዝገበርካዮ ተሐጒሱ። ነታ ዝበልካያ መዓልቲ ኸተምጽኣ ኢኻ፡ ሽዑ ኸምዚ ኸማይ ኪኾኑ
እዮም። 22 ኲሉ እከዮም ኣብ ቅድሜኻ ይብጻሕ፡ ብኽያተይ በዚሑ፡ ልበይ ተሐሊሉ እዩ እሞ፡ ከምቲ
ብሰሪ ዅሉ ኣበሳይ ዝገበርካኒ፡ ከምኡ ድማ ንኣታቶም ግበሮም።

# ምዕራፍ 2

1 ከመይ ኢሉ ኹን እግዚኣብሄር ብዅራኡ ንጓል ጽዮን ብደበና ኣጒልበባ። ንኽብሪ እስራኤል ካብ
ሰማይ ናብ ምድሪ ደርበዮ፡ ብመዓልቲ ቍጥዓኡ ኸኣ ንድኳ ኣእጋሩ ኣይዘከረን። 2 እግዚኣብሄር ንዅሉ
መሓድር ያእቆብ ብዘይ ምሕረት ወሐጦ፡ ብቝጥዓኡ ንዕርድታት ጓል ይሁዳ ኣፍረሶ፡ ኣሕመድመዶ፡
መንግስትን መሳፍንታን ከኣ ኣርከሰ። 3 በቲ ጒሁር ኲራኡ ድማ ንዅሉ ቀርኒ እስራኤል ሰልዔ፡ ካብ
ጸላኢ ኸኣ ንየማነይቱ መለሳ፡ ከምቲ ንኸባቢኡ ዚልቍምጽ ሃልሃልታ ሓዊ ንያእቆብ ሞኾ ኣበሎ። 4
ከም ጸላኢ ቀስቱ ገተረ፡ ከም ወደረኛ የማኑ ኣልዐለ፡ ንዓይኒ ዜብህግ ዘበለ ቀተለ፡ ኣብቲ ድንኳን ጓል
ጽዮን ነድሩ ኸም ሓዊ ኸዐወ። 5 እግዚኣብሄር ከም ጸላኢ ኾነ፡ ንእስራኤል ወሐጣ፡ ንዅሉ ኣዳራወታ
ወሐጦ፡ ንዕርድታታ ኣፍረሶ፡ ኣብ ጓል ይሁዳ ኸኣ ዋይዋይን ቍዝማን ኣብዝሔ። 6 ድንኳን ኸም
ኣታኽልቲ መንቈሰ፡ ንስፍራ መኣከቢኡ ኣፍረሰ፡ እግዚኣብሄር ኣብ ጽዮን ንበዓልን ሰንበትን ኣረስዖ፡
ብዅራ ነድሩውን ንንጉስን ካህንን ኣቃለለ። 7 እግዚኣብሄር መሰውኢኡ ደርበየ፡ መቕደሱውን ንሕርሚ
ወፈየ፡ ቀጽሪ ኣዳራወታ ኣብ ኢድ ጸላእቲ ኣሕለፈ፡ ከም ብመዓልቲ በዓል ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዓው
ኢሎም ጨደሩ። 8 እግዚኣብሄር ንቐጽሪ ጓል ጽዮን ኬፍርስ መደበ፡ ገመድ መለከዒ ዘርግሔ፡ ካብ
ምጥፋእሲ ኢዱ ኣይመለሰን። ሓጹርን ቀጽርን ኣሕዘነ፡ ኲሉ ብሓደ ማሰነ። 9 ደጌታታ ኣብ ምድሪ
ጠሐለ፡ ንመሃርሃሪታታ ኣብረሶ፡ ሰባበሮ፡ ንጉሳን መሳፍንታን ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣለዉ፡ ደጊም ሕጊ
የልቦን። ነብያታውን ራእይ ካብ እግዚኣብሄር ኣይረኸቡን። 10 እቶም ዓበይቲ ጓል ጽዮን ትም ኢሎም
ኣብ ምድሪ ይቕመጡ ኣለዉ፡ ሓመድ ኣብ ርእሶም ነስነሱ፡ ከሊውን ለበሱ። ደናግል የሩሳሌም ርእሰን
ናብ ምድሪ ኣድነና። 11 ብምኽንያት ጒድኣት ጓል ህዝበይ ሕጻናትን ዕሸላትን ኣብ ኣደባባያት ከተማ ስለ
ዘሕለለዉ፡ ኣዒንተይ ብንብዓት ተበላሸወ፡ ኣምዑተይ ተኾሰ፡ ከብደይ ኣብ ምድሪ ተኹዖ። 12 ኣበይ
ኣሎ እኽልን ወይንን እናበሉ ነዴታቶም ይሐቱ፡ ኣብ ኣደባባይ ከተማ ኸም ውጉኣት ኣሕለልዮም ራዕ
ይብሉ ኣለዉ፡ ነፍሶም ናብ ሕቝፊ ኣዴታቶም ትኲዖ ኣላ። 13 ኣቲ ጓል የሩሳሌም፡ እንታይ ክምስክረልኪ
ብምንታይ እሞ እየ ዘምዓራርየኪ ከጸናንዓክስ ብምንታይ እየ ዝምስለኪ ኣቲ ድንግል ጓል ጽዮን፡
መስበርትኺ ዓብዪ ኸም ባሕሪ እዩ እሞ፡ መን የሕውየኪ 14 ነብያትኪ ኸንቱን ጥበራን ረኣዩልኪ፡
ንግራት ከንቱነትን ምርኮን ረኣዩልኪ እምበር፡ ካብ ምርኮ ምእንቲ ኽትድሕንስ፡ ኣበሳኺ
ኣይቀልዑልክን። 15 ኲሎም ሓለፍቲ መገዲ ንጓል የሩሳሌም፡ እዚኣዶ እያ እታ ፍጹም ዝመልከዓ፡ ሓጐስ
ኲሉ ምድሪ እትብሀል ከተማ ኢሎም ይፋጽዩላ፡ ርእሶም ይንቕንቑላ፡ ኣላጊጾም ኣእዳዎም የጣቕዑላ። 16
ኲሎም ጸላእትኺ ኣፎም ኣባኺ ይኸፍቱ፡ ውሒጥናያ፡ ብሓቂ እዚኣስ እታ እተጸቤናያ መዓልቲ እያ፡
ኣርከብናላን ርኤናያን፡ ኢሎም እናፋጸዩ ኣስናኖም ይነኽስኩ ኣለዉ። 17 እግዚኣብሄር ነቲ ዝሐለኖ ገበረ፡
ነቲ ኻብ ጥንቲ ሒዙ ዝነገረሉ ቓል ፈጸመ። ኣፍረሰ እሞ ኣይደንገጸን፡ መሓጒስ ጸላኢውን ገበረኪ፡ ቀርኒ
ተጻረርትኺ ኣልዐለ። 18 ልቦም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወየ፡ ኣቲ ቐጽሪ ጓል ጽዮን፡ ለይትን መዓልትን ከም
ውሒዝ ኹንኪ፡ ንብዓት ኣውሕዚ፡ ከቶ ኣይትዕረፊ፡ መርዓት ዓይኒኺ ኣይተዕርፊ። 19 ኣብ መመጀመርታ
ሕልዋ ተንስኢ፡ ብለይቲ ጨድሪ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽ እግዚኣብሄር ልብኺ ኸም ማይ ከዐዊ። ስለ ነፍሳት

እቶም ኣብ መኣዝን ኩሉ መገዲ ጠምዮም ዜሕለልዉ ሕጻናትኪ ኣእዳውኪ ናብኡ ኣልዕሊ። 20 ጐይታየ፡
ርኤ እሞ ጠምት፡ ንመንከ ኸምዚ ገበርካዮ ኣንስቲዶ ፍረ ማሕጸነን ዚሐቝፋኦም ሕጻናት ይበልዓ
ካህንን ነብይንዶ ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር ይሕረዱ 21 ቈልዑን ኣረገውትን ኣብ መሬት ኣብ ኣደባባያት
ተራዒቶም ኣለዉ፡ ጐረዞይን ኣጕባዘይን ከኣ ብሰይፊ ወደቑ። ብመዓልቲ ኹራኻ ቀቲልካዮም፡ ብዘይ
ድንጋጽ ሐረድካዮም። 22 ንመፍርህየይ ካብ ኩሉ ወገን ከም ብመዓልቲ በዓል ጸዋዕካለይ። ብመዓልቲ
ኹራ እግዚኣብሄር ዜምልጥን ዚተርፍን የልቦን። ነቶም ዝሐቘፍክዎምን ዘዕቤኽዎምን እቲ ጸላእየይ
ኣጽነቶም።

# ምዕራፍ 3

1 ኣነ ብሸቦጥ ቍጥዓኡ ሽጋር ዝርኤኹ ሰብኣይ እየ። 2 ንሱ መርሓኒ፡ ብብርሃን ዘይኰነስ ብጸልማት
ወሰደኒ። 3 ብሓቂ መመሊሱ መዓልቲ ብመልኣ ኢዱ ኣባይ ይመልስ ኣሎ። 4 ንስጋይን ቈርበተይን ኣእረጎ፡
ንዓጸጽምተይ ሰበሮ። 5 ኣብ ከባብየይ ቀጽሪ ሰርሔ፡ ብመርዝን ድኻምን ከኣ ሓጸረኒ። 6 ከምቶም ቀደም
ዝሞቱ ኣብ ጸልማት ኣንበረኒ። 7 ከይወጽእሲ ብመንደቕ ከበበኒ፡ ንሰንሰለተይ ኣኽበዶ። 8 እንተ ጠራዕኩን
ኣእዌኹን እኳ፡ ንጸሎተይ መሕለፊ ዐጸወሉ። 9 ብቕሩጽ እምኒ ንጐደናታተይ ዐጸዎ፡ ንመገድታተይ
ጥውጥዋይ ገበሮ። 10 ከም ዘድብየ ድቢ፡ ተሐቢኡ ኸም ዚቃጻ ኣንበሳ ኰነኒ። 11 ንመገደይ ኣዘምበሎ፡
ሰባበረኒ ኣዕነወኒውን። 12 ቀስቱ ገተረ፡ ንፍላጻ ኸኣ ዕላማ ገይሩ ኣቘመኒ። 13 ብፍላጻታት ጕልድባኡ
ኹላሊተይ ወግኤ። 14 መላገጺ ኹሉ ህዝበይ፡ መዓልቲ ብመልኣ መድረፊኦም ኰንኩ። 15 ብመሪር
ኣጽገበኒ፡ ዕረ ኣስተየኒ። 16 ኣስናነይ ብጸጸር ሰበረ፡ ብሓመኹስቲ ኣጐልበበኒ። 17 ነፍሰይ ካብ ሰላም
ኣርሐቕካ፡ ነቲ ጽቡቕ ረሳዕክዎ። 18 ኣነ ኸኣ፡ ሓይለይን ብእግዚኣብሄር ተስፋይን ህልም በለ፡ በልኩ። 19
ሽጋረይን ኰብለል ምባለይን፡ እቲ ዕረን መርዝን ዘክር። 20 ነፍሰይ ከየባተኸት ትዝክሮ፡ ኣብ ውሽጠይ
ከኣ ደኒና ኣላ። 21 እዚ ኣብ ልበይ ኤንብር፡ ስለዚ ድማ ተስፋ እገብር። 22 ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ
እሞ፡ ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ። 23 ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ እዩ፡ እሙን ምዃንካ ዓብዩ
እዩ። 24 ነፍሰይሲ፡ ግደይ እግዚኣብሄር እዩ፡ ስለዚ ብእኡ ተስፋ እገብር፡ ትብል ኣላ። 25 እግዚኣብሄር
ነቶም ዚጽበይዎ፡ ነታ እትደልዮ ነፍሲ ሰናይ እዩ። 26 ንምድሓን እግዚኣብሄር ተስፋ ምግባርን ብህድኣት
ምጽባይን ሰናይ እዩ። 27 ንሰብኣይ ብንእስነቱ ኣርዑት ምጻር ሰናይ እዩ። 28 ኣሰኪምዎ እዩ እሞ፡ ትም ኢሉ
በይኑ ይቀመጥ። 29 ምናልባሽ ተስፋ ይህልዎ እዩ፡ ኣፉ ደኣ ኣብ ሓመድ የድንን፡ 30 ንዚወቕዖ መልትሑ
ይምለሰሉ ብጸርፊውን ይጽገብ። 31 እግዚኣብሄርሲ ንዘለኣለም ኣይውግድን እዩ እሞ፡ 32 እንተ ኣጕህየ
እኳ፡ ከምቲ ብዝሒ ጸጋኡ ይርሕርሕ እዩ። 33 ንደቂ ኣዳም ዜዋርዶምን ዜጕህዮምንሲ ብፍታው ልቡ
ኣይኰነን። 34 ንኹሎም እሱራት ምድሪ ኣብ ትሕቲ እግሪ ምርጋጾም፡ 35 ኣብ ቅድሚ ገጽ እቲ ልዑል
መሰል ሰብኣይ ምቕናዎም፡ 36 ንሰብ ብነገሩ ዓጋቢ ምግባርሲ፡ ነዚዶ እግዚኣብሄር ኣይርእዮን እዩ 37
እግዚኣብሄር ዘይኣዘዞስ፡ እተዛረበ እሞ ዝኾነሉ መን እዩ 38 ከፉእን ጽቡቕን ካብ ኣፍ እቲ ልዑልዶ
ኣይወጽእን እዩ 39 ስለምንታይ እቲ ህያው ሰብ የጕረምርም ነፍሲ ወከፍ ብሓጢኣቱ ደኣ የጕረምርም። 40
መገድና ንተዐዘብን ንመርምርን እሞ ናብ እግዚኣብሄር ንመለስ። 41 ልብና ምስናይ ኣእዳውና ናብ
እግዚኣብሄር ኣብ ሰማይ ነልዕል። 42 ንሕና በደልናን ዐሎናን፡ ንስኻውን ይቕረ ኣይበልካን። 43 ብኹራ
ተጐልበብካን ሰጐጕካናን፡ ብዘይ ምሕረት ቀተልካ። 44 ጸሎት ከይሐልፍሲ፡ ደበና ተጐልበብካ። 45 ኣብ
ማእከል ህዝብታት ጐሓፍን ፍንፉንን ገበርካና። 46 ኩሎም ጸላእትና ኣፎም ሃህ ኣበሉልና። 47 ፍርሃትን

ጒድጓድን ምፍራስን ጥፍኣትን በጽሓና። 48 ብናይ ምጭፍላቕ ጓል ህዝበይ ካብ ዓይነይ ውሒዝ ማይ
ይውሕዝ ኣሎ። 49-50 እግዚኣብሄር ኣንቈልቍሉ ኽሳዕ ዚርእን፡ ካብ ሰማይ ክሳዕ ዚጥምትንሲ፡ ዓይነይ
ከይዐረፈን ከየቛረጸን ዘርባሕባሕ ይብል ኣሎ። 51 ብምኽንያት ኲለን ኣዋልድ ከተማይ ዓይነይ ንነፍሰይ
የሕዝና ኣሎ። 52 እቶም ብዘይ ምኽንያት ዚጸልኡኒ ኸም ዑፍ ሀደኑኒ። 53 ህይወተይ ኣብ ጒድጓድ
ኣጥፍኡ፡ ኣብ ልዕለይ ከኣ እምኒ ደርበዩ። 54 ማይ ኣብ ልዕሊ ርእሰይ ወሐዘ፡ ጥራስ ጠፍኣኩ፡ በልኩ። 55
ካብ መዓሙቕ ጒድጓድ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ስምካ ጸዋዕኩ። 56 ድምጸይ ሰሚዕካ፡ ካብ እህህታይን
ጭርሓይን እዝንኻ ኣይትሕብኣዮ። 57 በታ ዝጸዋዕኩኻ መዓልቲ ቐረብካ፡ ኣይትፍራህ፡ በልካ። 58 ዎ
ጐይታይ፡ ንነገር ነፍሰይ ተጠበቕካ፡ ንህይወተይ ተበጀኻ። 59 ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ዝወረደኒ ግፍዒ ርኤኻ፡
ፍትሒ ኣውጽኣለይ። 60 ኲሉ እቲ ቒሞም፡ ኣባይ ዝጠለፍዎ ኹሉ ውዲቶም ርኤኻ። 61-62 ዎ ጐይታይ፡
ኲሉ ጸርፎም፡ ኲሉ ኣባይ ዝጠለፍዎ ውዲቶም፡ ከናፍር እቶም ተቓወምተይ፡ ምሉእ መዓልቲ እኩይ
ዚመኽሩለይ ሰማዕካ። 63 ኣብ ምቕማጦምን ምትንሳኦምን እሞ ጠምት፡ ኣነስ መድረፊኦም ኰይነ
ኣሎኹ። 64 ዎ እግዚኣብሄር፡ ከም ግብሪ ኣእዳዎም ሕነ ፍደዮም። 65 ድርቅና ልቢ ሃቦም፡ መርገምካ
ኣውርደሎን። 66 ብቝጥዓ ስጐጎም፡ ካብ ትሕቲ ሰማይ እግዚኣብሄር ኣጽንቶም።

# ምዕራፍ 4

1 ከመይ ኢሉኸ እቲ ወርቂ ጸለመ፡ እቲ ኣዝዩ ጽሩይ ወርቂ ተለወጠ። ኣእማን እታ መቕደስ ኣብ መኣዝን
ኲሉ ኣደባባያት ተዘርወ። 2 እቶም ጭዋታት ደቂ ጽዮን፡ ከም ጽሩይ ወርቂ ዝኸበሩ፡ ከመይ ኢሎምከ
ኸም ኣቓሑ መሬት፡ ከም ስራሕ ኣእዳው ሰራሕ መሬት ተቘጽሩ። 3 ወኻሩ እኳ ኽይተረፈ፡ ኣጣባተን
ሂበን፡ ንኹራኲረን የጥብዋ። እታ ጓል ህዝበይ ግና ከም ሰገን በረኻ ጨከነት። 4 ልሳን እቲ ዕሸል
ብጽምኢ ኣብ ትንሓጉ ጠበቐ። ቈልዑ እንጌራ ይልምኑ፡ ዚቘርሰሎም ከኣ የልቦን። 5 እቶም ጥዑም ምግቢ
ዚበልዑ ዝነበሩ ኣብ ኣደባባያት ይወድቁ። እቶም ብቐይሕ ሃሪ ዝዐበዩ ጐድፍ ይሐቝፉ። 6 ኣበሳ እታ
ጓል ህዝበይ ካብታ ኣእዳው ከይተንከያ፡ ብድንገት እተገልበጠት ሶዶም፡ ካብ ሓጢኣታ ይዐቢ። 7
መሳፍንቲ ኻብ በረድ ዜንጸባርቑ፡ ካብ ጸባ ዚጽዕድዉ፡ ስጋኦም ካብ ቀይሕ ዕንቊ ዚቐይሕ፡ መልክዖም
ከም ሰፊሮስ ነበረ። 8 ገጾም ካብ ጸሊም ይጽልም፡ ኣብ ኣደባባያት ኣይልለዩን፡ ቈርበቶም ኣብ ዓጽሞም
ጠቢቑ፡ ነቒጹ ኸም ዕጨይቲ ኾይኑ ኣሎ። 9 ካብቶም ብጥሜት ዝሞቱ ብሰይፊ ዝሞቱ ይሕሾም፡ ፍረ
ምድሪ ስለ እተሳእነ፡ ተወጊኦም ይማስኑ። 10 ርሕሩሓት ኣንስቲ እኳ በእዳወን ደቀን ኣብሰላ፡ በቲ ጥፍኣት
ጓል ህዝበይ ምግቢ ኾንወን። 11 እግዚኣብሄር ነድሩ ፈጸመ፡ ርሱን ቍጥዓኡ ኸዐወ፡ መሰረታታ ሞኹ
ዘበለ ሓዊ ኣብ ጽዮን ኣንደደ። 12 ነገስታት ምድርን ኣብ ዓለም ዚነብሩ ኹሎምንሲ ተጻራርን ጸላእን
ብደጌታት የሩሳሌም ከም ዚኣቱ፡ ከቶ ኣይኣመኑን ነይሮም። 13 ብምኽንያት ሓጢኣት ነብያታን ብሰሪ
ኣበሳ ኻህናታን፡ ንሳቶም ኣብ ማእከላ ደም ጻድቃን ስለ ዘፍሰሱ እዚ ኾነ። 14 ሰብ ክዳውንቶም
ንምትንካይ ክሳዕ ዚፍንፍን፡ ብደም ዝላላ ኾኑ፡ ከም ዕውራት ኰይኖም ኣብ ኣደባባያት ዕግንግን ይብሉ
ኣለዉ። 15 ርሐቑ፡ ኣቱም ርኹሳት፡ ርሐቑ፡ ርሐቑ ኣይትተንከዩ፡ ኢሎም ይጭድሩሎም። ሀዲሞም
ኰብለል በሉ። ኣብ ማእከል ህዝብታት፡ ድሕርዝስ ኣብዚ ኣይኪቕመጡን እዮም፡ ተባህለ። 16 ገጽ
እግዚኣብሄር ፋሕ ኣበሎም፡ መሊሱ ቝሊሕ ኣይብሎምን፡ ንሳቶም ንኻህናት ኣየኽበሩን፡ ንኣረገውቲ
ኸኣ ኣይደንገጹን። 17 ንኸንቱ ደገፍ እናጠመትና፡ ገና ኣዒንትና ደኺመን ኣለዋ። ብምጽባይናስ ነቲ
ምድሓን ዘይከኣሎ ህዝቢ ተጸቤና። 18 በደባባይና ኸይንኸይድ፡ ስጓሞና ይስልዩ፡ መወዳእታና ቐረባ፡

መዓልትታትና ኣኸለ፡ መወዳእታና በጽሐ። [19] ሰጐጕትና ኻብ ንስሪ ሰማይ ቀልጠፉ፡ ኣብ ኣኽራን
ሀደኑና፡ ኣብ ምድረ በዳ ኣድበዩልና። [20] እቲ እግዚኣብሄር ዝቐብኦ፡ ብዛዕባኡ፡ ኣብ ማእከል ህዝብታት
ኣብ ጽላሉ ኽንነብር ኢና፡ ዝበልናዮ መተንፈስ ትንፋስና ኣብ ጕደጓዶም ተታሕዘ። [21] ኣቲ ኣብ ሃገር ኡጽ
እትነብሪ ጓል ኤዶም፡ ተሐጐሲ፡ ደስ ይበልኪ፡ እቲ ጽዋእሲ ናባኺውን ኪሐልፍ እዩ፡ ክትሰክርን
ጥራይኪ ኽትኰንን ኢኺ። [22] ኣቲ ጓል ጽዮን፡ ኣበሳኺ ተወድኤ፡ ደጊምሲ ኣይኪማርኽክን እዩ። ኣቲ ጓል
ኤዶም፡ ኣበሳኺ ኪቖጽር እዩ፡ ሓጢኣትኪ ኺገልጽ እዩ።

# ምዕራፍ 5

[1] ጐይታየ፡ እቲ ዝወረደና ዘክር፡ እቲ ነውርና ጠምትን ርኤን። [2] ርስትና ኣብ መጻእተኛታት፡ ኣባይትና
ኣብ ጓኖት ሐለፈ። [3] ኣቦ ዜብልና ዘኽታማት ኰንና፡ ኣዴታትና ኸም መበላሉ ኾና። [4] ማይ ብዋጋ ንሰቲ፡
ዕጨይቲ ብመሸጣ ይመጸና። [5] ሰጐጕትና ኣብ ክሳድና እዮም፡ ተሐለልና፡ ዕረፍቲ ሰኣንና። [6] እንጌራ
ምእንቲ ኽንጽግብሲ፡ ኢድና ንግብጽን ኣሶርን ወፈና። [7] ኣቦታትና ሓጢኣት ገበሩ፡ የለዉን ከኣ፡ ንሕና
ድማ ኣበሳኦም ጾርና። [8] ባሮት ይገዝኡና ኣለዉ፡ ካብ ኢዶም ዜናግፈና ኸኣ የልቦን። [9] ኣብ ቅድሚ ሰይፊ
በረኻ፡ ህይወትና እናተዋልኤት፡ እንጌራና ነምጽእ ኣሎና። [10] ካብቲ ረስኒ ጥሜት እተላዕለ ቈርበትና ኸም
እቶን ጸለመ። [11] ኣንስቲ ኣብ ጽዮን፡ ደናግል ኣብ ከተማታት ይሁዳ ኣተሐረቑ። [12] መሳፍንቲ በእዳዎም
ተሐንቑ፡ ገጽ ኣረገውቲ ኣየኽበሩን። [13] ኣጕባዝሲ መጥሓን ተሰከሙ፡ ናእሽቱ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ዕጨይቲ
ሰንከልከል በሉ። [14] እቶም ኣረገውቲ ኣፍ ደገ፡ እቶም ኣጕባዝ ከኣ ደሃይ በገናኦም ሐደጉ። [15] ታሕጓስ
ልብና ኣቋረጸ፡ ጓይላና ናብ ሓዘን ተለወጠ። [16] ኣኽሊል ካብ ርእስና ወደቐ፡ ሓጢኣት ጌርና ኢና እሞ፡
ወይለና። [17-18] ስለ እታ ወኻሩ ዝሐምበጣላ ዝባደመት ከረን ጽዮን፡ ስለዚ ልብና ተሐለለ፡ ስለዚ
ኣዒንትና ጸልመታ። [19] ንስኻ ዎ እግዚኣብሄር፡ ንዘለኣለም ትነብር፡ ዝፋንካ ንውሉድ ወለዶ እዩ። [20]
ስለምንታይ ንሓዋሩ እትርስዓና ንነዊሕ ዘመንስ እትሐድገና [21] ጐይታየ፡ ናባኻ ምለሰና ንሕናውን
ንምለስ። ንመዓልትታትና ኸምቲ ናይ ቀደም ሐድሶ። [22] ጠሪስካዶ ደርቢኻና ኢኻ ኣዚኻዶ ኾሪኻልና
ኣሎኻ

# ትንቢት ህዝቕኤል

## ምዕራፍ 1

1 ኰነ ድማ፣ ኣብ መበል ሰላሳ ዓመት፣ ኣብታ ራብዐይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒ ድማ ኣብ ሓምሰይቲ
መዓልቲ፣ ኣብ ርባ ኬባር ኣብ ማእከል እቶም ምሩኻት ከሎኹ፣ ሰማያት ተኸፍቱ፣ ራእይ እግዚኣብሄር
ርኤኹ። 2 ኣብ ሓምሳይ መዓልቲ ናይቲ ወርሒ ወርሒ ኻብቲ ንጉስ ዮኣቂን እተማረኸሉ ኣብ ሓምሳይ
ዓመቱ፣ 3 ቃል እግዚኣብሄር ናብቲ ኻህን ህዝቕኤል ወዲ ኩዚ፣ ኣብ ሃገር ከለዳውያን፣ ናብ ርባ ኬባር
መጸ። ኣብኡ ኸኣ ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡ ነበረት። 4 እንሆ ኸኣ፣ ካብ ሰሜን ህቦብላ ንፋስ፣
ብርቱዕ ደበና ምስናይ ሃልሃልታ ሓዊ፣ ኣብ ዙርያኡ ኸኣ ጸዳል ብርሃን ኪመጽእ ከሎ ርኤኹ። ከም
ፊሕፊሕ ዚብል ኣስራዚ ድማ ካብ ማእከሉ፣ ካብ ማእከል እቲ ሓዊ ወጸ። 5 ካብቲ ማእከሉ ኸኣ መልክዕ
ኣርባዕተ እንስሳ ወጸ። ትርኢቶም ድማ እዚ እዩ፣ ሰብ የምሰልስሉ። 6 ነፍሲ ወከፎም ኣርባዕተ ገጽ፣ ነፍሲ
ወከፎም ድማ ኣርባዕተ ኽንፊ ነበሮ። 7 ኣእጋሮም ትኽ ዝበለ ኣእጋር ነበረ፣ ከብዲ እግሮም ከኣ ከም እግሪ
ሾኾና ምራኽ ነበረ፣ ከም ርሱን ኣስራዚ ኸኣ ፊሕፊሕ ይብል ነበረ። 8 በርባዕተ ወገኖም ኣብ ትሕቲ
ኣኽናፎም ኢድ ሰብ ነበሮም፣ ኣርባዕቲኦም ገጽን ክንፍን ነበሮም። 9 ኣኽናፎም ነንሓድሕደን ግጡማት
እየን። ኪኸዱ ኸለዉ ኣይምለሱን፣ ነፍሲ ወከፍ ኣቕኒዑ ንቕድሚኡ ይኸይድ ነበረ። 10 ምስሊ ገጾም ገጽ
ሰብ ይመስል። ኣርባዕቲኦም ከኣ በቲ የማናይ ወገኖም ገጽ ኣንበሳ: ኣርባዕቲኦም ድማ በቲ ጸጋማይ
ወገኖም ገጽ ብዕራይ፣ ኣርባዕቲኦምውን ገጽ ንስሪ ነበሮም። 11 ብላዕሊ ኸኣ ገጾምን ኣኽናፎምን ፍሉይ
ነበረ። ናይ ነፍሲ ወከፍ ክልተ ኽንፊ፣ እታ ሓንቲ ምስታ ናይቲ ሓደ እትላገብ፣ እተን ክልተ ድማ
ንስጋኦም ዚኸድና እየን። 12 ነፍሲ ወከፎም ኣቕኒዑ ንቕድሚኡ ይኸይድ፣ እቲ መንፈስ ናብ ዝኸዶ
ይኸዱ፣ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ ኣይምለሱን ነበሩ። 13 ትርኢት እቶም እንስሳ ኸም ጉሁር ሓውን ከም
ዚነድድ ሽግን ነበረ፣ እቲ ሓዊ ኸኣ ኣብ ማእከል እቶም እንስሳ ይዘውርን የንጸባርቕን ነበረ፣ ካብቲ
ሓዊውን በርቂ ይወጽእ ነበረ። 14 እቶም እንስሳ ኸኣ ከም በርቂ ይጐዩን ይምለሱን ነበሩ። 15 እምብኣርሲ
ነቶም እንስሳ ኽጥምት ከሎኹ፣ እንሆ፣ ሓደ መንኰርኰር ኣብ ምድሪ ኣብ ጥቓ እቶም እንስሳ ነንፍሲ
ወከፍ በርባዕተ ገጾም ርኤኽዎም። 16 ትርኢት እቲ መንኰራኹርን ኣሰራርሓኡን ከም ሕብሪ በሪሎስ
ነበረ። ኣርባዕቲኡ ይማሳሰል ነበረ። ትርኢቱን ኣሰራርሓኡን ድማ እቲ ሓደ መንኰርኰር ኣብ ውሽጢ
እቲ ሓደ መንኰርኰር ከም ዘሎ ይመስል ነበረ። 17 ኪኸዱ ኸለዉ፣ በርባዕተ ወገኖም ይኸዱ፣ ምስ
ዚኸዱ ድማ ኣይምለሱን ነበሩ። 18 እቲ ኽቦም ከኣ ነዊሕን መፍርህን ነበረ። ኣርባዕቲኦም ድማ ኣብቲ
ኣዝዋራ ኽቦም ኣዒንቲ መሊእዎም ነበረ። 19 እቶም እንስሳ ኪኸዱ ኸለዉ፣ እቲ መንኰራኹር
በብጥቓኦም ይኸይድ ነበረ። እቶም እንስሳ ኻብ ምድሪ ሓፍ ኪብሉ ኸለዉ፣ እቲ መንኰራኹር ከኣ ሓፍ
ይብል ነበረ። 20 ናብቲ እቲ መንፈስ እቶም እንስሳ ኣብቲ መንኰራኹር ነበረ እሞ፣ እቲ መንኰራኹር
በብጥቓኦም ሓፍ ይብል፣ ነበረ። 21 መንፈስ እቶም እንስሳ ኣብቲ መንኰራኹር ስለ ዝነበረ፣ ንሳቶም
ኪኸዱ ኸለዉ፣ ይኸይድ፣ ንሳቶም ደው ኪብሉ ኸለዉ፣ ደው ይብል፣ ንሳቶም ካብ ምድሪ ሓፍ ኪብሉ
ኸለዉ፣ እቲ መንኰራኹር ከኣ በብጥቓኦም ሓፍ ይብል ነበረ። 22 ኣብ ልዕሊ ኣርእስ እቶም እንስሳ ኸኣ
ከም ግሩም ዝኾነ ክሪስታል፣ ጠፈር ሰማይ ዚመስል፣ ኣብ ላዕሊ፣ ኣብ ልዕሊ ኣርእስቶም ተዘርጊሑ
ነበረ። 23 ኣብ ትሕቲ እቲ ጠፈር ድማ ኣኽናፎም ኣብ መንጽር ነንሓድሕደን ትኽ ኢለን ነበራ። ነፍሲ

ወከፎም ድማ ስጋኦም ዚኸድኑሉ ኽክልተ ኽንፊ ነበሮም። 24 ኪኸዱ ኸለዉ ኸኣ፣ ደሃይ ኣኽናፎም ከም
ህማም ብዙሕ ማያት፣ ከም ድምጺ እቲ ኹሉ ዚኽእል፣ ደሃይ ታዕታዕ ከም ደሃይ ሰራዊት ሰማዕኩ።
ደው ኪብሉ ኸለዉ፣ ኣኽናፎም ይዕኾልሉ ነበሩ። 25 ካብ ልዕሊ እቲ ኣብ ልዕሊ ርእሶም ዝነበረ ጠፈር
ድማ ድምጺ ተሰምዔ። ደው ኪብሉ ኸለዉውን ኣኽናፎም ይዕኾልሉ ነበሩ። 26 ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ
ልዕሊ ርእሶም ዝነበረ ጠፈር ከኣ እምኒ ሰፊሮስ ምስሊ ዝፋን ነበረ። ኣብ ልዕሊ እቲ ዝፋን ዚመስል ድማ
ኣርኣያ ሰብ ዚመስል ተቐመጠ። 27 ካብቲ ሕቖኡ ዚመስል ሒዙ ንላዕሊ፣ ርሱን ኣስራዚ ዝሕብሩ፣ ከም
ሓዊ ዝትርኢ ኣብ ውሽጥን ዙርያኡን ርኤኹ። ካብቲ ሕቖኡ ዚመስል ንታሕቲ ኸኣ ከም ሓዊ
ዝትርኢቱ ርኤኹ፣ ኣብ ዝርያኡውን ባና ብርሃን ከቢብዎ ነበረ። 28 ከምቲ ብመዓልቲ ዝናም ኣብ ደበና
ዚኸውን ትርኢት ቀስተ ደመና፣ ከምኡ ትርኢት ባና እቲ ብርሃን ኣብ ዙርያኡ ነበረ። ትርኢት ባና እቲ
ብርሃን ኣብ ዙርያኡ ነበረ። ትርኢት ክብሪ እቲ ምስሊ እግዚኣብሄር ከምኡ ነበረ። ምስ ርኤኽዎ ኸኣ
ብገጸይ ወደቕኩ፣ ድምጺ ሓደ ዚዛረብውን ሰማዕኩ።

## ምዕራፍ 2

1 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ብእግርኻ ደው በል እሞ ኽዛረበካ እየ፣ በለኒ። 2 ኪዛረበኒ ኸሎ ኸኣ፣
መንፈስ ኣተወኒ፣ ብእግረይ ድማ ደው ኣበለኒ፣ ነቲ ዚዛረበኒውን ሰማዕክዎ። 3 በለኒውን፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣
ናብ ደቂ እስራኤል፣ ናብቶም ካባይ ዝዐለዉ ዓለወኛታት ህዝብታት እልእኸካ ኣሎኹ። ንሳቶምን
ኣቦታቶምን ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ተጻሪሮምኒ ኣለዉ። 4 ናብ እዞም ገጾም ዝተረረ፣ ልቦም ዝሐረነ ደቂ
እሰደካ ኣሎኹ። ንስኻ ድማ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በሎም። 5 ንሳቶም ዓላዊት ቤት
እዮም እሞ፣ እንተ ሰሚዖም እንተ ኣብዮም፣ ኣብ ማእከሎም ነብዩ ኸም ዝነበረ ኺፈልጡ እዮም። 6
ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንእኦም ኣይትፍርሃዮም፣ ንቓላቶም ከኣ ኣይትፍርሃዮ፣ ምንም እኳ ምስ ኣምዔን እሾኹን
እንተ ኾንካ፣ ኣብ ማእከል ዕንቅርቢታት ተቐሚጥካ ኽነስኻስ፣ ዓላዊት ቤት እዮም እሞ፣ ንቓላቶም
ኣይትፍርሃዮ፣ ገጾምውን ኣየሰምብድካ። 7 ዓለውቲ እዮም እሞ፣ እንተ ሰሚዖምኻ፣ እንተ ኣብዮምኻ፣
ቃለይሲ ንገሮም ደኣ። 8 ንስኻ ግና ኣታ ወዲ ሰብ፣ ዝብለካ ዘሎኹ ስማዕ። ከምታ ዓላዊት ቤት ዓላዊ
ኣይትኹን፣ ኣፍካ ኽፈት፣ እዚ ዝህበካ ዘሎኹ ድማ ብልዓዮ። 9 ጠመትኩ እሞ እንሆ፣ ኢድ ናባይ ኣቢላ
ተዘርጊሓ፣ እንሆውን፣ ኣብኣ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ነበረት። 10 ንሱ ኸኣ ኣብ ቅድመይ ገንጸላ፣ ብውሽጣ
ብግዳማን ተጽሒፍዋ ነበረ። ኣብኣ ኸኣ ድጕዓን ብኽያትን ዋይዋይታን ተጽሒፍዋ ነበረ።

## ምዕራፍ 3

1 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ዝረኸብካዮ ብላዕ። ነታ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ብልዓያ፣ ኬድካ ድማ ንቤት
እስራኤል ተዛረቦም፣ በለኒ። 2 ሽዑ ኣፈይ ከፈትኩ፣ ንሱውን ነታ ጥቕላል ኣብለዓኒ። 3 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ
ሰብ፣ ከብድኻ ኣጽግብ፣ ንውሽጢ ኸብድኻውን በዛ ኣነ ዝህበካ ጥቕላል ምልኣዮ፣ በለኒ። ሽዑ በላዕክዋ፣
ኣብ ኣፈይውን ጥዕምቲ ኸም መዓር ጠዐመት። 4 በለኒ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ናብ ቤት እስራኤል ኪድ
ብቓላተይ ከኣ ተዛረቦም። 5-6 ናብ ቤት እስራኤል እምበር፣ ናብ ሓደ ቛንቋኡ ዘይስትውዐል፣ ዘረባኡም
ዝኸቢድ፣ ቃላቶም ዘይተስተውዕሎ ብዙሓት ህዝብታት ኣይተለኣኽካን። ብርግጽ ናባታቶም ሰዲደካ
እንተ ዝኸውንሲ፣ ምሰምዑኻ ነይሮም። 7 ግናኸ ኵሉ ቤት እስራኤል፣ ግምባሮም ተሪር፣ ልቦም ሓራን

እዩ እሞ፣ ቤት እስራኤልሲ ኺሰምዑኒ ዘይፈትዉ ስለ ዝኾኑ፣ ንኣኻ ኣይኪሰምዑኻን እዮም። 8 እንሆ፣
ንገጽካ ኣንጻር ገጾም ኣትሪረዮ፣ ንግምባርካውን ኣንጻር ግምባሮም ኣትሪረዮ እየ። 9 ግምባርካ ኸም
ኣልማዝ፣ ካብ ብላድ ዚብርትዕ ገይረዮ፣ ኣብ ቅድሚኦም ከኣ ኣይትሰምብድ። 10 መሊሱውን በለኒ፣ ኣታ
ወዲ ሰብ፣ ንኹሉ እቲ ዝነግርካ ቓላት ኣብ ልብኻ ዕቘሮ፣ በእዛንካ ድማ ስምዓዮ። 11 ናብቶም ምሩኻት፣
ናብ ደቂ ህዝብኻ ኺድ እሞ፣ እንተ ኺሰምዑኻ፣ እንተ ኺኣብዩኻ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል፣
ኢልካ ንገሮምን በሎምን። 12 እቲ መንፈስ ከኣ ኣልዓለኒ፣ ብድሕረይ ድማ፣ ክብሪ እግዚኣብሄር ኣብቲ
ቦታኡ ይባረኽ፣ ዚብል ብርቱዕ ደሃይ ምንቅጥቃጥ ሰማዕኩ። 13 ኣነ ኸኣ ህማም እቲ ነንሓድሕዱ ዚጋጮ
ዝነበረ ኣኽናፍ እቶም እንስሳን ደሃይ ዓብዪ ምንቅጥቃጥን ሰማዕኩ። 14 እቲ መንፈስ ከኣ ኣልዐለኒ
ወሰደኒውን። ብኹራ መንፈሰይ መሪሩኒ ኸድኩ፣ ኢድ እግዚኣብሄር ድማ በርቲዓ ኣብ ልዕለይ ነበረት።
15 ናብቶም ኣብ ጥቓ ርባ ኬባር ኣብ ቴልኣቢብ ዝነበረኡ ምሩኻት፣ ናብቲ ዚነብሩሉ ዘለዉ ኸኣ
መጻእኩ። ኣብኡውን እናኣስቈርቈርኩ፣ ሾብዓተ መዓልቲ ኣብ ማእከሎም ተቐመጥኩ። 16 ኰነ ድማ፣ ኣብ
መወዳእታ ሾብዓተ መዓልቲ ኸኣ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ 17 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ቤት
እስራኤል ሓላዊ ገይረካ ኣሎኹ። ካብ ኣፈይ ቃል ስማዕ እሞ፣ ኣብ ክንዳይ ኳንካ ምዕዶም። 18 ኣነ ነቲ
ረሲእ፣ ሞት ክትመውት ኢኻ፣ ምስ በልክዎ፣ እንተ ዘይመዐድካዮ፣ ካብ መገዲ ረሲእነቱ ተመሊሱ ነፍሱ
ኸትድሕን፣ እንተ ዘይተዛረብካዮን እንተ ዘይመዐድካዮንሲ፣ እቲ ረሲእ ብሓጢኣቱ ኺመውት እዩ፣
ደሙ ግና ካብ ኢድካ ኸደልዮ እየ። 19 ግናኸ ነቲ ረሲእ እንተ መዐድካዮ፣ ንሱ ኸኣ ካብ ረሲእነቱን ካብ
መገዲ ረሲእነቱን እንተ ዘይተመልሰ፣ ንሱ ብሓጢኣቱ ኺመውት እዩ፣ ንስኻ ግና ነፍስኻ ኣድሓንካ። 20
ጻድቕ ካብ ጽድቁ እንተ ተመልሰ፣ ሓጢኣት ከኣ እንተ ገበረ፣ መዓንቀፊ ኣብ ቅድሚኡ እንተ ኣንበርኩሉ፣
ኪመውት እዩ። ስለ ዘይመዐድካዮ፣ ብሓጢኣቱ ኺመውት፣ እቲ ዝገበሮ ጽድቂ ድማ ኣይኪዝከርን እዩ።
ደሙ ግና ካብ ኢድካ ኸደልዮ እየ። 21 ንስኻ ግና፣ እቲ ጻድቕ ሓጢኣት ከይገብር ነቲ ጻድቕ እንተ
መዐድካዮ እሞ ንሱ ሓጢኣት እንተ ዘይገበረ፣ ምዕዶ ስለ እተቐበለ ብሓቂ ብህይወት ኪነብር እዩ፣
ንስኻውን ነፍስኻ ተድሕን። 22 ኢድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብኡ ኣብ ልዕለይ መጸት እሞ፣ ተንስእ፣ ናብ
ጐልጐል ውጻእ፣ ኣብኡ ምስኻ ኽዛረብ እየ፣ በለኒ። 23 ሽዑ ተንሲኤ ናብ ጐልጐል ወጻእኩ። እንሆ ኸኣ፣
ክብሪ እግዚኣብሄር፣ ከምቲ ኣብ ርባ ኬባር ዝርኤኽዎ ኽብሪ፣ ኣብኡ ቘይሙ ነበረ። ብገጸይውን
ወደቕኩ። 24 እቲ መንፈስ ከኣ ኣተወኒ፣ ብእግረይ ድማ ደው ኣበነሊ እሞ፣ ኪድ ኣብ ቤትካ ተዐጾ፣ ኢሉ
ተዛረበኒ። 25 ኣታ ወደ ሰብ፣ እንሆ፣ መእሰሪ ኺገብሩልካን ኪኣስሩኻን እዮም፣ ኣብ ማእከሎም ድማ
ኣይክትውጽእን ኢኻ። 26 ንሳቶም ዓላዊት ቤት እዮም እሞ፣ ምእንቲ ኸትዕበስን፣ ዘላፊኦም
ከይትኸውንንሲ፣ ልሳንካ ኣብ ትንሓግካ ኸጥብቕ እየ። 27 ምስ ዝዛረበካ ግና፣ ንኣፍካ እኸፍቶ፣
ንስኻውን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ክትብሎም ኢኻ። ዓላዊት ቤት እዮም እሞ፣
ዚሰምዕ ይስማዕ፣ ዚኣቢውን ይእበ።

## ምዕራፍ 4

1 ንስኻ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ጡብ ውሰድ፣ ኣብ ቅድሜኻ ኸኣ ኣንብሮ እሞ ከተማ፣ ማለት የሩሳሌም
ሰኣሎሉ። 2 ከቢ ኽበባ፣ ኣብ ልዕሊኣ ግምቢ ስራሕ፣ ዕርዲ ዕረዳ፣ ሰፈር ኣስፍረላ፣ ብኹሉ ዙርያኣ ድማ
ደዐውል ግበር። 3 ንስኻ ኸኣ መቑሎ ሓጺን ወሲድካ፣ ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ ኸተማን ከም
መንደቕ ሓጺን ጌርካ ኣንብሮ። ገጽካ ናብኣ ኣቢልካ ኣቕንዕ፣ ክብብቲ ትኹን፣ ከበባውን። እዚ ንቤት

እስራኤል ምልክት ይኹን። 4 ደሓን ብጸጋማይ ጐድንኻ በጥ በል፣ ኣብኡውን ንኣበሳ ቤት እስራኤል
ኣንብሮ፣ ክንዲ ቍጽሪ እተን በጥ እትብለለን መዓልትታት ከኣ ኣበሳኦም ክትጸውር ኢኻ። 5 ኣነ፣ ድማ
ዓመታት ኣበሳኦም ብቝጽሪ መዓልትታት፣ ማለት ሰለስተ ሚእትን ተስዓን መዓልቲ፣ ገይረልካ ኣሎኹ።
ንስኻውን ኣበሳ ቤት እስራኤል ክትጸውር ኢኻ። 6 እዚ ምስ ኣእከልካ ኸኣ፣ ከም ብሓድሽ ብየማናይ
ጐድንኻ ኽትድቅስ ኢኻ፣ ነርብዓ መዓልቲውን ኣበሳ ቤት ይሁዳ ኽትስከም ኢኻ። ሓንቲ መዓልቲ
ኽንዲ ዓመት ገይረልካ ኣሎኹ። 7 ገጽካን እቲ ጥሩዑ ዘሎ ቕልጽምካን ናብታ ኽብብቲ የሩሳሌም ኣቕንዕ
እሞ ተነበየላ። 8 እንሆ፣ ብገመድ ቀጥ ኤብለካ፣ ነተን መዓልትታት ምኽባብካ ኽየእከልካየን ከኣ ካብ ሓደ
ጐድንኻ ናብታ ሓደ ጐድንኻ ኣይክትግልበጥን ኢኻ። 9 ንስካ ስርናይና ስገምን ባልደንጓን ብርስንን
ቡልቱግን ሰዓዕን ወሰድ፣ ኣብ ሓደ ኣቕሓ ግበሮ እሞ፣ ካብኡ እንጌራ ስንክት፣ ብቝጽሪ እተን ብሓደ
ጐድንኻ እትድቅሰለን መዓልትታት፣ ማለት ሰለስተ ሚእትን ተስዓን መዓልቲ፣ ካብኡ ኽትበልዕ ኢኻ። 10
እቲ እትበልዖ ምግቢ ነንመዓልቲ ብሚዛን ዕስራ ሲቃል ይኹን። ካብ ጊዜ ኽሳዕ ጊዜ ኽትበልዖ ኢኻ። 11
ማይውን ብመሰፈሪ፣ ሳድሰይቲ ኣፍ ሂን ክትሰቲ ኢኻ። ካብ ጊዜ ክሳዕ ጊዜ ኽትሰትዮ ኢኻ። 12 ኣብ
ቅድሚኦም ብውጽኣት ግዳም ሰብ ኣብሲልካ፣ ኣብኡ ኸም ቅቻ ስገም ክትበልዖ ኢኻ። 13 እግዚኣብሄር
ከኣ፣ ደቂ እስራኤልሲ፣ ኣብ ማእከል እቶም ኣነ ናብኦም ፋሕ ዘብሎም ህዝብታት ኲይኖም፣ ከምኡ
ርኹስ እንጌራኦም ኪበልዑ እዮም፣ በለ። 14 ሽዑ ኣነ፣ ወይ፣ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ እንሆ፣ ነፍሰይ
ከቶ ኣይረኸሰትን። ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ኽሳዕ ሎሚ ዝሓለቕን ኣራዊት ዝቐተሎን ኣይበላዕኩን፣
ፍንፉን ስጋ ድማ ኣብ ኣፈይ ከቶ ኣይኣተወን፣ በልኩ። 15 ንሱ ኸኣ፣ እንሆ፣ ኣብ ክንዲ ውጽኣት ግዳም
ሰብሲ ዒባ ማል እህበካ ኣሎኹ፣ ብእኡ ጌርካ እምጌራኻ ኽተብስል ኢኻ፣ በለኒ። 16-17 መሊሱውን፣ ኣታ
ወዲ ሰብ፣ እንሆ፣ ኣብ የሩሳሌም ንምርኩስ እንጌራ ኽሰብሮ እየ። እንጌራን ማይን ኪስእኑ እዮም እሞ፣
ንእንጌራ ብሚዛንን ብሽጋርን ኪሰትይዎ እዮም። እቲ ሓደ ምስቲ ሓደ ኹይኖም ኪሰትይዎ ኪትክዙ፣
ብሰሪ ኣበሳኦምውን ኪተፍኡ እዮም፣ በለኒ።

## ምዕራፍ 5

1 ንስኻ ድማ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ በሊሕ ሰይፊ ውሰድ፣ ከም መላጸ ላጸዪ ዝበለ ውሰድ እሞ ርእስኻን
ጭሕምኻን ተላጸየሉ። ሚዛን ወሲድካውን ነቲ ጸጕሪ ምቐሎ። 2 መዓልትታት ምኽባብ ምስ ተፈጸመ፣
ነቲ ሲሶኡ ኣብ ማእከል እታ ኸተማ ብሓዊ ኣንደዶ። ነቲ ሲሶኡ ድማ ውሰዶ እሞ ኣብቲ ዙርያኡ
ብሰይፊ ውቕዓዮ፣ ነቲ ሓደ ሲሶውን ኣብ ንፋስ ዝረዮ፣ ኣነ ድማ ደድሕሪኦም ሰይፊ ኽመልሕ እየ። 3
ካባታተን ከኣ ሒደት ዝቝጽረን ወሰድ እሞ ኣብ ዘፈር ከዳንካ ቛጽረን። 4 ካብ እዚኣተን ከኣ መሊሰካ
ውሰድ፣ ኣብ ማእከል ሓዊ ድማ ደርብየን፣ ብሓዊውን ኣንድደን፣ ካብዚ ናብ ኩሉ ቤት እስራኤል ሓዊ
ኺወጽእ እዩ። 5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እዚኣስ የሩሳሌም እያ። ኣነ ኣብ ማእከል
ህዝብታት ኣንበርክዋ፣ ሃገራትውን ኣብ ከባቢኣ ኣሎ። 6 ንፍርደይ ንዒቕም፣ ከም ሕጋጋተይ
ኣይተመላለሱን እዮም እሞ፣ ንሳ ብረሲእነት ካብ ኣህዛብ ገዲዳ ንፍርደይ ተጻሪረቶ፣ ካብተን ከቢበንኣ
ዘለዋ ሃገር ገዲዳ ድማ ንሕጋጋተይ ኣፍረሰቶ። 7 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ካብቶም
ኣብ ዙርያኹም ዘለዉ ህብዝታት ገዲድኩም ስዲ ስለ ዝኾንኩምን ከም ሕጋጋተይ ስለ
ዘይተመላለስኩምን ፍርደይ ስለ ዘይገበርኩምን ከም ፍርዲ እቶም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ህዝብታት እኳ
ስለ ዘገበርኩምንሲ፣ 8 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እኔኹ፣ ኣነ እመጻኪ ኣሎኹ፣ ኣብ

ቅድሚ ኣዒንቲ ህዝብታት ከኣ ኣብ ማእከልኪ ፍርዲ ኽውጽእ እየ። 9 ብሰሪ ኹሉ ጽያፍኪ ኸኣ፣ ገይረዮ
ዘይፈልጥ ድሕርዚ ኸኣ ከቶ ዘይገብሮ፣ ክገብረኪ እየ። 10 ስለዚ ኣብ ማእከልኪ ወለዲ ንውሉዶም፣
ውሉድ ድማ ንወለዶም ኪበልዑ እዮም። ፍርዲ ኣባኺ ኽፍጽሞ ፣ኹላቶም ዝተረፉኺውን ኣብ ኲሉ
ንፋሳት ክዘርዎም እየ። 11 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ይብል ኣሎ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ብርግጽ ንመቕደሰይ
ብኹሉ ፍንፉን ነገርክን ብኹሉ ጽያፍክን ኣርኪስክዮ፣ ስለዚ ኣነ ድማ ከንእሰኪ፣ ዓይነይ ብዘይ ድንጋጽ
ካባኺ ኽመልስ ኣይክምሕረክንውን እየ። 12 ሲሶኺ ብፌራ ኺሞቱ፣ ኣብ ማእከልኪ ኸኣ ብጥሜት
ኪውድኡ እዮም፣ እቲ ሓደ ሲሶ ድማ ኣብ ዙርያኺ ብሰይፊ ኺወድቕ እዩ: ነቲ ሓደ ሲሶ ኸኣ ኣብ ኲሉ
ንፋሳት ክዘርዎ፣ ደድሕሪኦምውን ሰይፈይ ክመልሕ እየ። 13 ኵራይ ሃንኡ ኺወጽእ፣ ነድረይ ከኣ ኣብ
ልዕሊኦም ኪዝሕል እዩ፣ ኣነውን ሕነ ኽፈድዮም እየ። ነድረይ ኣባታቶም ምስ ኣዝሓልኩ፣ ሽዑ ኣነ
እግዚኣብሄር ብጸዓተይ ከም እተዛረብኩ ኺፈልጡ እዮም። 14 ኣብቶም ከቢቦምኺ ዘለዉ ህዝብታትን
ኣብ ዓይኒ እቶም ብእኡ ዚሓልፉ ኹላቶምን ከኣ ምድረ በዳን መጻረፍን ክገብረኪ እየ። 15 ብኹራን
ብነድርን ብመዓት ነድርን ምስ ፈረድኩኺ፣ እዚ ኣብቶም ኣብ ከባቢኺ ዘለዉ ህዝብታት ንመጻረፍን
ንመላገጽን ንመለበምን ንመሰክሕን ኪኸውን እዩ። ኣነ እግዚኣብሄር ተዛሪበ ኣሎኹ። 16 ንጥፍኣቶም
ዚኸውን ናይ ጥሜት ክፉእ ፍላጻ ኣብ ርእሶም ምስ ሰደድኩ፣ ምእንቲ ኼጥፍኣኩም ክሰዶ እየ፣ ነቲ
ጥሜትኩም ክግድዶ እየ፣ ንምርኩስ እንጌራኹምውን ክሰብሮ እየ። 17 ጥሜትን ንደቅኹም ዚቐትሉ
ኣራዊትን ክሰደልኩም፣ ፌራን ደምን ከኣ ብማእከልኪ ኺሓልፍ እዩ፣ ሰይፊውን ከተንስኣልኪ እየ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ተዛሪበ ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 6

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ኣኽራን እስራኤል ኣቕንዓዮ
እሞ ተነበየለን፣ 3 በልውን፣ ኣትን ኣኽራን እስራኤል፣ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ስምዓ፣ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ነኽራንን ንኹርባታትን ንሽንጭሮታትን ንለሴታትን ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እኔኹ ኣነ፣ እወ ኣነ
ሰይፊ ኽምጽኣልኩም፣ ነቲ በረኽቲ ስፍራታትኩም ከጥፍኦ እየ። 4 መሰውኢታትኩም ኪፈርስ፣ እቲ ናይ
ጸሓይ ኣዕኑድኩም ድማ ኪሰባበር፣ ነቶም ውጉኣትኩም ከኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ጣኦታትኩም ክውድቖም
እየ። 5 ንሬሳታት ደቂ እስራኤል ኣብ ቅድሚ ጣኦታቶም ክንብሮ፣ ኣዕጽምትኹም ድማ ኣብ ዙርያ
መሰውኢታትኩም ክዘርዎ እየ። 6 መሰውኢታትኩም ምእንቲ ኺባድምን ኪያኑን፣ ጣኦታትኩም ከኣ
ኪስበርን ኪጠፍእን፣ ናይ ጸሓይ ኣዕኑድኩም፣ ንስኻትኩም ኣብ እትነብሩሉ ዘበለስ እተን ከተማታት
ኪያንዋ እየን፣ እቲ በረኽቲ ቦታታት ከኣ ኪፈርስ እዩ። 7 ተወጊኦም ዚሞቱ ኣብ ማእከልኩም ኪወድቁ
እዮም፣ ንስኻትኩም ከኣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 8 ኣብ ሀሃገሩ ፋሕ ምስ በልኩም
ግና፣ ኣብ ማእከል ህዝብታት ካብ ሰይፊ ዘምለጡ ሓያሎ ኺህልዉኹም እዮም፣ በዚ ኸምዚ ትርፊ
ኽሐድገልኩም እየ። 9 እቶም ዘምለጡ ሰብኩም ከኣ ነቲ ኻባይ ዝዘምበለ ዘማዊ ልቦምን፣ ነተን ኪዝምዋ
ደድሕሪ ጣኦታቶም ዚኸዳ ኣዒንቶምን ምስ ሰባበርኩ፣ ኣብቲ ዘማረኽክዎም ኣብ ማእከል ህዝብታት
ኰይኖም ኪዝክሩኒ እዮም። በቲ ብኹሉ ጽያፎም ዝገበርዎ እኩይ ከኣ ንርእሶም ኪፍንፍኑ እዮም። 10 ኣነ
እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኸኣ ኪፈልጡ እዮም። እዚ መዓት እዚ ኽምጽኣሎም እየ ኢለ እተዛረብክዎ
ብኸንቱ ኣይኰነን። 11 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ብሰይፍን ብጥሜትን ብፌራን ኪወድቁ
እዮም እሞ፣ ብኢድካ ኣጣቕዕ፣ ብእግርኻ ኸኣ ኰርደብደብ በል፣ ብዛዕባ ናይ ቤት እስራኤል ኲሉ እኩይ

ጽያፍ ድማ፣ ኣየ፣ ወዮ፣ በል። 12 እቲ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ብፌራ ኺመውት፣ እቲ ኣብ ቀረባ ዘሎ ብፌራ
ኺወድቕ፣ እቲ ዝተረፈን ተኸቢቡ ዘሎን ድማ ብጥሜት ኪመውት እዩ። በዚ ኸምዚ ቍጥዓይ
ኣብታቶም ክፍጽም እየ። 13 እቶም ውጉኣቶም ኣብ ማእከል ጣኦታቶም ኣብ ዙርያ መሰውኢታቶም፣ ኣብ
ልዕሊ ኹሉ በረኽቲ ኹድኹዶታት፣ ኣብ ኹሉ ርእሲ ኣኽራን፣ ኣብ ትሕቲ ኹሉ ልሙዕ ገረብ፣ ኣብ
ትሕቲ ኹሉ ብርቱዕ ቈጽሊ ዘለዎ ኣውሒ፣ ኣብ ማእከል እቲ ንኹሎም ጣኦታቶም ጥዑም መኣዛ
ዝዐጠኑሉ ስፍራ ምስ ኰነ፣ ሽዑ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 14 ኣነ ኸኣ ኢደይ
ክዝርግሓሎም እየ፣ ነታ ሃገር ድማ፣ ኣብ እተቐመጡ እኳ እንተ ተቐመጡ፣ ካብ በረኻ ዲብላታ
እትገድድ ባዶን ጽምዋን ክገብራ እየ። ሽዑ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 7

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንሃገር እስራኤል
ከምዚ ይብላ ኣሎ፣ መወዳእታ፣ ናብ ኣርባዕተ መኣዝን እታ ሃገርሲ መወዳእታ ይመጽእ ኣሎ። 3 ሕጂ
መወዳእታ ኣባኺ መጸ፣ ቍጥዓይ ድማ ክሰደልኪ፣ ከም መገድኺ መጠን ክፈርደኪ፣ ኵሉ ጽያፍኪ ድማ
ኣብ ልዕሌኺ ኽውርደልኪ እየ። 4 ዓይነይ ኣይኪንሕፈክን ኣነውን ኣይክርሕርሓልክን፣ ኣነስ መገድኺ ደኣ
ኣብ ልዕሌኺ ኼምጻልኪ እየ፣ ጽያፍኪ ድማ ኣብ ማእከልኪ ኪኸውን እዩ እሞ፣ ንስኻትኩም
እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ መዓት፣ በይኑ
ዝኾነ እኳ ደኣ መዓት እንሆ፣ ይመጽእ ኣሎ። 6 መወዳእታ መጸ፣ እቲ መወዳእታ መጸ፣ ተላዕለኪ፣ እንሆ
ይመጽእ ኣሎ። 7 ኣታ ኣብ ሃገር ኣትነብር ዘሎኻ፣ ተራኻ መጸካ። እቲ ጊዜ ብጽሔ፣ እልልታ ኣብ ኣኽራን
ዘይስምዓላ መዓልቲ ዕግርግር ቐረበት። 8 ሕጂ ብቕልጡፍ ነድረይ ክኽዕወልኪ፣ ሃና ቑጥዓይ ከኣ
ክወጻልኪ፣ ከም መጠን መገድኺ ድማ ክፈርደኪ፣ ንኹሉ ጽያፍኪ ኣብ ልዕሌኺ ኽውርዶ እየ። 9
ዓይነት ኣይኪንሕፍን እዩ፣ ኣነውን ኣይክርሕርሕን፣ ኣነስ ከም መጠን መገድኺ ኽምጽኣልኪ እየ፣
ጽያፍኪ ድማ ኣብ ማእከልኪ ኪኸውን እዩ። ንስኻትኩምውን እቲ ዚወቅዕ ዘሎስ ኣነ እግዚኣብሄር
ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 10 እንሃ እታ መዓልቲ እንሃ መጸት። ተራኺ በጽሔ። እታ ሽቦጥ ዐምበበት፣
ትዕቢት ከኣ ጠጥዔ። 11 ዓመጻስ ሽቦጥ ረሲእነት ኰይና ተላዕለት። ካባታቶም ሓደ እኳ የልቦን፣ ካብቲ
ብዙሕ ህዝቦምን ካብቲ ሃብቶምን ካብቲ ግርማኦምን ዚተርፍ ሓደ እኳ የልቦን። 12 ዘመን በጺሑ፣
መዓልቲ ቐሪቡ ኣሎ። ጉሁር ቀኑጥዓ ኣብ ልዕሊ ኹሉ እቲ ብዙሕ ህዝቦም እዩ እሞ፣ ዚሻየጥ
ኣይተሐጐስ፣ ዚሸይጥውን ኣይጕሄ። 13 እቲ ዚሸይጥ ብህይወቱ እኳ እንተሎ፣ ናብቲ ዝሸጦ ኣይኪምለስን
እዩ። ብዛዕባ እቲ ብዙሕ ህዝቦም ዝኾነ ራእይ ንድሕሪት ኣይኪምለስን እዩ እሞ፣ ብዓመጽ ዚነብርሲ
ንህይወቱ ዜጽንዓ ሓደ እኳ የልቦን። 14 መለኸት ተነፍሔ፣ ኵሉ ኸኣ ተዳለወ፣ ቍጥዓይ ግና ኣብ ልዕሊ
ኹሉ እቲ ብዙሕ ዝህቦም ኣሎ እሞ፣ ኣብ ውግእ ዚኸይድ ሓደ እኳ የልቦን። 15 ኣብ ወጻኢ ሰይፊ ኣብ
ውሽጢ ኸኣ ፌራን ጥሜትን ኣሎ። እቲ ኣብ ከተማ ዘሎውን ፌራን ጥሜትን ኪውሕጦ እዩ። 16 እቶም
ካባታቶም ዘምለጡ ግና ከምተን ርግብታት ሽንጭሮ፣ ነፍሲ ወከፍ ብኣበሳኦም እናቜዘሙ፣ ኣብ ኣኽራን
ኪኾኑ እዮም። 17 ኵለን ኣእዳው ኪሕለላ፣ ኵለን ኣብራኽ ድማ ከም ማይ ከፈሳ እየን። 18 ከሊ ኺዕጠቑ፣
ራዕዲ ኪኸደኑ፣ ኵሉ ገጽ ብሕንኪ ኺጒልበብ፣ ኵሉ ርእስታቶም ድማ ኪበርሕ እዩ። 19 ብሩሮም ኣብ
ኣደባባያት ኪድርብዮ፣ ወርቆም ከኣ ከም ርኹስ ነገር ኪኸውን እዩ። ብሩሮምን ወርቆምን ናይ
ሓጢኣቶም እምኒ መዓንቀፊ ስለ ዝኾነ፣ በታ መዓልቲ ቑጥዓ እግዚኣብሄር ኬድሕኖም ኣይተኻእሎን፣

ንጥሜቶም ኣይኬጽግቦን፣ ንኸብዶምውን ኣይኪመልኣሎምን እዩ። [20] መልክዕ ስልማቶም ንትዕቢት
ኰኖም፣ ምስሊ ርኽሰቶምን እቶም ዜፈንፍኑ ጣኦታቶምን ገበሩሉ። ስለዚ ኣነ ንኣታቶም ንርኽሰት
ገበርክዎ። [21] ዘመተ ኪኸውን ድማ ኣብ ኢድ ጓኖት፣ ምርኮ ኪኸውን ከኣ ንረሲኣን ምድሪ ኣሕሊፈ ኸህቦ
እየ፣ ንሳቶም ድማ ኬርክስዎ እዮም። [22] ካባታቶም ገጸይ ክመልስ እየ፣ ንሳቶም ከኣ ንመዝገበይ
ኬርክስዎ፣ ገፋዕቲ ኣትዮም ድማ ኬርክስዎ እዮም። [23] እዛ ሃገር እዚኣ ቅትለተ ደመ ነፍሲ መሊኣ ኣላ፣
እዛ ኸተማ እዚኣውን ዓምጽ መሊእዋ እዩ እሞ፣ ሞቝሕ ኣዳሉ። [24] ነቶም ኣዝዮም ሕሱማት ካብ
ህዝብታት ከምጽእ እየ እሞ፣ እዚኣቶም ኣባይቶም ኪወርሱ እዮም። ንትዕቢት እቶም ሓያላት ከጥፍኦ
እየ፣ መቓድሶም ከኣ ኪረኽሳ እየን። [25] ጥፍኣት ይመጽእ ኣሎ፣ ንሳቶም ከኣ ሰላም ኪደልዩ እዮም፣
ኣይርከብን ከኣ። [26] መዓት ኣብ ርእሲ መዓት ኪመጽእ፣ ወረውን ኣብ ርእሲ ወረ ኪኸውን እዩ። ካብ
ነብዩ ራእይ ኪደልዩ፣ ግናኸ ሕጊ ኻብ ካህን፣ ምኽሪውን ካብ ኣረገውቲ ኺጠፍእ እዩ። [27] እቲ ንጉስ
ኪትክዝ፣ እቲ መስፍን ድማ ሓዘን ኪኸደን፣ ኣእዳዉ እቶም ህዝቢ እታ ሃገር ራዕራዕ ኪብል እዩ። ከም
መጠን መገዶም ክፈድዮም፣ ከከም ዚግብኦም ከኣ ክፈርዶም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይውን
ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 8

[1] ኰነ ድማ፣ ኣብ ሳድሰይቲ ዓመት፣ ኣብታ ሳድሰይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብ ሓምሰይቲ
መዓልቲ፣ ኣብ ቤተይ ተቐሚጠ ኸሎኹ፣ እቶም ዓበይቲ ይሁዳውን ኣብ ቅድመይ ተቐሚጦም ከለዉ፣
ኣብኡ ኢድ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ልዕለይ ወረደት። [2] ሽዑ ርኤኹ፣ እንሆ፣ ትርኢት ሓዊ ዚመስል
ምስሊ፣ ካብቲ ምስሊ ሕቝኡ ንታሕቲ ሓዊ፣ ካብ ሕቝኡ ንላዕሊ ድማ ድሙቕ ብርሃንን ዜንጸባርቕ
ኣስራዝን ዚመስል እዩ። [3] ንሱ ኸኣ ኢድ እትመስል ዘርግሔ፣ ብጸጕሪ ርእሰይ ድማ ሐዘኒ፣ መንፈሰውን
ኣብ መንጎ ሰማይን ምድርን ኣልዐለኒ፣ ብራእይ ኣምላኽ ድማ ናብ የሩሳሌም ወሰደኒ፣ ናብቲ ውሽጣዊ
ኣጻድ፣ በቲ ንሰሜን ኣቢሉ ዜርኢ ኣፍደገ፣ ናብቲ እቲ ንቕንኣት ዜለዓዕል ምስሊ ቕንኣት ዝነበሮ
ኣምጽኣኒ። [4] እንሆ ኸኣ፣ ከምቲ ኣብ ጐልጐል ዝርኤኽዎ ትርኢት፣ ክብሪ ኣምላኽ እስራኤል ኣብኡ ነበረ።
[5] ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ወገን ሰሜን ኣቢልካ ኣዒንትኻ ኣልዕል፣ በለኒ። ኣነ ድማ፣ ኣብ ሰሜን
ኣቢለ ኣዒንተይ ኣልዐልኩ። እንሆ ድማ፣ ኣብ ሰሜን እቲ ደገ መሰውኢ ኣብቲ መእተዊ፣ እቲ ምስሊ
ቕንኣት ነበረ። [6] ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቲ ዚገብርዎ ዘለዉ ትርኢዶ ኣሎኻ ኣነ ካብ ቤት መቕደሰይ
ምእንቲ ኽርሕቕ ኢሎም እቲ ቤት እስራኤል ኣብዚ ዚገብርዎ ዘለዉ ዓብዩ ጽያፍዶ ትርኢ ኣሎኻ ኤረ
ገና ካብዚ ዚዐቢ ጽያፍውን ክትርኢ ኢኻ፣ በለኒ። [7] ንሱ ኸኣ ናብ ደገ እቲ ኣጻድ ወሰደኒ፣ እንሆውን
ኣብቲ መንደቕ ሓደ ነኧል ርኤኹ። [8] ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነቲ መንደቕ ኵዓቶ፣ በለኒ። ነቲ መንደቕ
ምስ ኰዓትክዎ ድማ፣ እንሆ፣ ኣፍ ደገ ረኸብኩ። [9] ንሱውን፣ እቶ እሞ ነቲ ኣብዚ ዚገብርዎ ዘለዉ ሕሱም
ጽያፍ ርኣዮ፣ በለኒ። [10] ኣቶኹን ርኤኹን፣ እንሆ ኸኣ፣ ብዙሕ ምስሊ እቶም ዜጻይፉ ለመም ዚብሉን
ርኹሳት እንስሳን ኵሎም ጣኦታት ቤት እስራኤልን ኣብ ወሰነወሰን እቲ መንደቕ ተስኢሉ ነበረ። [11] ኣብ
ቅድሚኦም ከኣ ሰብዓ ሰብኣይ ካብ ዓበይቲ ቤት እስራኤል፣ ኣብ ማእከሎም ድማ የኣዛንያ ወዲ ሻፋን
ቈይሙ፣ ኣብ ኢድ ነፍሲ ወከፎም ድማ ጽንሃህ ሒዞም፣ ኣብኡ ደው ኢሎም ነበሩ። እቲ መኣዛ
ዕጣንውን ዑብ ኢሉ ወጸ። [12] ሽዑ ንሱ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቶም ዓበይቲ ቤት እስራኤል፣ እግዚኣብሄር
ኣይርእየናን፣ እግዚኣብሄር ነዛ ሃገር ሐዲግዋ እዩ፣ ኢሎምሲ፣ ነፍሲ ወከፎም ኣብ ጸልማት ኣብ ሽሽር ጓና

ምስልታቶም ኲይኖም ዚገብርዎ ዘለዉዶ ርኢኻዮ ኣሎኻበለኒ። 13 ንሱ ኸኣ፣ ኤረ ካብዚ ዚገድድ
ዚገብርዎ ዘለዉ ጽያፍውን ክትርኢ ኢኻ፣ በለኒ። 14 ናብቲ ናብ ሰሜን ኣቢሉ ዘሎ ኣፍ ደገ ቤት
እግዚኣብሄር ወሰደኒ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኣብኡ ኣንስቲ ተቐሚጠን ንተሙዝ ይበኽያሉ ነበራ። 15 ሽው ድማ፣
ኣታ ወዲ ሰብ፣ ርኢኻዮዶ ገና ካብዚ ዚገድድ ርኽሰትውን ክትርኢ ኢኻ፣ በለኒ። 16 ናብቲ ውሽጣዊ
ኣጻድ ቤት እግዚኣብሄር ወሰደኒ። እንሆ ኸኣ፣ ኣብቲ ደገ መቕደስ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎ ገበላን
መሰውእን ኣስታት ዕስራን ሓሙሽተን ሰብኣይ ዝባኖም ናብ መቕደስ እግዚኣብሄር፣ ገጾም ድማ ናብ
ምብራቕ ኣቢሎም ነበሩ። ናብ ምብራቕ ኣቢሎም ንጸሓይ ይሰግዱ ነበሩ። 17 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ
ርኢኻዶ ነታ ሃገር ብዓመጽ መሊኦምዋ፣ መመሊሶም ድማ ኲራይ ዘለዓዕሉስ፣ ቤት ይሁዳ እዚ ኣብዚ
ዚገብርዎ ዘለዉ ጽያፍዶ ውሒድዎም እዩ እንሆ፣ ንሳቶም ጨንፈር ኣብ ኣፍንጫኦም የቕርቡ ኣለዉ፣
በለኒ። 18 ስለዚ ኣነ ድማ ብነድሪ ኽገብር እየ፣ ዓይነይ ኣይክትንሕፍን እያ፣ ኣይክርሕርሕን ከኣ እየ፣ ኣብ
እዝነይ ዓው ኢሎም እንተ ጨርሑ እኳ ኣይክሰምዖምን እየ።

## ምዕራፍ 9

1 ኣብ ኣእዛነይ ከኣ፤ እቶም ነታ ኸተማ ዚቕጽዑስ፣ ነፍሲ ወከፎም እቲ ዜጥፍኣሉ ኣጽዋር ኣብ ኢዱ
ሒዙ ይቕረብ፣ እናበለ ዓው ኢሉ ጨደረ። 2 እንሆ ድማ፣ ሹድሽተ ሰብኣይ፣ ነፍሲ ወከፎም እቲ
ዚቕትለሉ ኣጽዋር ኣብ ኢዱ ሒዙ፣ ካብቲ መገዲ ናብ ሰሜን ኣቢሉ ዜርኢ ላዕላይ ደገ መጹ። ሓደ
ሰብኣይ፣ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ እተኸድነ፣ ናብ ጸሓፊ ቐርኒ ቐለምውን ኣብ ሕቝኡ
ዘለዎ፣ ኣብ ማእከሎም ነበረ። ኣትዮም ኣብ ጥቓ እቲ መሰውኢ ነሓሲ ቘሙ። 3 ክብሪ ኣምላኽ እስራኤል
ካብቲ ዝነበሮ፣ ካብ ልዕሊ ኩሩቤል ተላዕለ፣ ናብቲ ልዳት እታ ቤት ከኣ ኸደ። ነቲ ካብ ልሕጺ
እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ እተኸድነ፣ ናይ ጸሓፊ ቐርኒ ቐለምውን ኣብ ሕቝኡ ዝነበሮ ሰብኣይ ጸውዖ። 4
እግዚኣብሄር ከኣ፣ ብማእከል፣ ከተማ ብማእከል የሩሳሌም ሕለፍ እሞ ነቶም ዚጕህዩን ነቶም ብዛዕባ
እቲ ኣብ ማእከላ ዚግበር ዘሎ ጽያፍ ዚጕህዩን ዚትክዙንሲ ኣብ ግምባሮም ማሕተም ግበረሎም፣ በሎ። 5
ኣነ እናሰማዕኩ ኸኣ ነቶም ካልኦት በሎም፣ ደድሕሪኡ በታ ኸተማ ሐሊፍኩም ውቕዑ፣ ዓይንኹም
ንሓደ እኳ ኣይትንሐፍ ኣይትራሕርሑውን። 6 ካብ መቕደሰይ ጀሚርኩም ንኣረገውትን ነጕባዝን ንጕረዙን
ንቘለውዕን ንኣንስትን ቅተሉ፣ ኣጽንቱ። ነቶም ማሕተም ዘለዎም ግና ኣይትቕረብዎም። ንሳቶም ከኣ
በቶም ኣብ ቅድሚ እታ ቤት ዘለዉ ኣረገውቲ ጀመሩ። 7 ንሱ ድማ፣ ናታ ቤት ኣርክስዋ፣ ነቲ ኣጻዳት ከኣ
ብምዉታት ምልእዎ፣ ውጹ፣ በሎም። ንሳቶም ወጹ ኣብታ ኸተማውን ይወቕዑ ነበሩ። 8 ኰነ ድማ፣
ኪወቕዑ ኸለዉ፣ ኣነ ተረፍኩ። ብገጸይ ወደቕኩ እሞ፣ ኣየ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ነድርኻ ኣብ
የሩሳሌም ኰዒኻዶ፣ ንዅሎም ትርፎፍያ እስራኤል ከተጥፍኦም ኢኻ ኢለ ጨራሕኩ። 9 ንሱ ድማ በለኒ፤
ኣበሳ ቤት እስራኤልን ይሁዳን ኣዝዩ ዓብዩ እዩ። እግዚኣብሄር ነዛ ሃገር ሐዲግዋ፣ እግዚኣብሄር ሓንቲ
እኳ ኣይርእን እዩ፣ ይብሉ ኣለዉ እሞ፣ እታ ሃገር ብደም፣ እታ ኸተማውን ብዓመጽ መሊኤን ኣለዋ። 10
ስለዚ ዓይነይ ኣይክትንሕፍን እያ፣ ኣነ ኣይክርሕርሕን፣ መገዶምውን ኣብ ርእሶም ክመልሰሎም እየ። 11
እንሆ ኸኣ፣ እቲ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ እኸድነ፣ ናይ ጸሓፊ ቐርኒ ቐለምውን ኣብ ሕቑኡ
ዝነበሮ፣ ከምቲ ዝኣዘዝካኒ ገበርኩ፣ ኢሉ ጸብጻቡ ሀበ።

## ምዕራፍ 10

1 ሽዑ ጠመትኩ፣ እንሆ ድማ፣ ኣብ ልዕሊ እቲ ርእሲ ኪሩቤል ዘለዎም ጠፈር፣ ከም እምኒ ሰፊሮስ፣
ትርኢት ዝፋን ዚመስል ኣብ ልዕሊኦም ተገልጸ። 2 ንሱ ኸኣ ነቲ ብልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ
እተኸድነ ሰብኣይ፣ ኣብ መንነ እቲ መንኰራኹር ኣብ ትሕቲ ኪሩቤል እቶ፣ ካብቲ ኣብ ማእከል ኩሩቤል
ዘሎ ነዳዲ ፈሓም ድማ በእዳውካ ሐፊንካ ኣብ ልዕሊ እታ ኸተማ ንዝሐዮ፣ ኢሉ ተዛረበ። ንሱውን
እናርኤኹዎ ኣተወ። 3 እቲ ሰብኣይ ኪኣቱ ኸሎ፣ እቶም ኪሩቤል ብወገን የማን እታ ቤት ደው ኢሎም
ነበሩ። 4 ክብሪ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ልዕሊ እቶም ኪሩቤል ተላዕለ ናብ ልዳት እታ ቤት ከኣ ኸደ።
እታ ቤት ድማ ብደበና መልኤት፣ እቲ ኣጸድውን ብባና ኽብሪ እግዚኣብሄር መሊኡ ነበረ። 5 ህማም
ኣኽናፍ ኪሩቤል ከኣ፣ ከም ድምጺ እቲ ኹሉ ዚኽእል ኣምላኽ ኪዛረብ ከሎ ኹይኑ፣ ክሳዕ እቲ ግዳማዊ
ኣጸድ ተሰምዔ። 6 ኰነ ኸኣ፣ ነቲ ካብ ልሕጺ እንጣቲዕ እተገብረ ዓለባ እተኸድነ ሰብኣይ፣ ካብ መንነ እቲ
መንኰራኹር፣ ካብ መንነ እቲ ኪሩቤል ሓዊ ውሰድ፣ ኢሉ ምስ ኣዘዞ፣ ንሱ ኣተወ ኣብ ጥቓ
መንኰራኹር ድማ ቘመ። 7 እቲ ኪሩብ ድማ ካብ መንነ እቶም ኪሩቤል ናብቲ ኣብ መንነ ኪሩቤል ዘሎ
ሓዊ ኢዱ ዘርጊሑ ኻብኡ ወሰደ፣ ኣብ ኣእዳው እቲ ኻብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ እተኸድነ
ድማ ኣንበሮ። ንሱውን ተቐቢልዎ ወጸ። 8 ኣብ ትሕቲ ኣኽናፍ ኪሩቤል ከኣ ኢድ ሰብ ዚመስል ተራእየ። 9
ጠመትኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኣብ ጥቓ እቶም ኪሩቤል ኣርባዕተ መንኰራኹር ኣብ ጥቓ ነፍሲ ወከፍ ኪሩብ
ነበረ። ትርኢት እቲ መንኰራኹር ድማ ከም ሕብሪ እምኒ ክሪሶሊት ነበረ። 10 ትርኢት ኣርባዕቲኦም ከኣ
ይመሳሰል ነበረ፣ እቲ ሓደ መንኰርኰር ኣብ ውሽጢ እቲ ሓደ መንኰርኰር ከም ዝኣተወ ይመስል
ነበረ። 11 ኪኸዱ ኸለዉ ድማ በርባዕተ ወገኖም ይኸዱ፣ ምስ ዚኸዱ ኸኣ ኣይምለሱን ነበሩ። እቲ ርእሲ
ናብ ዘበሎ ስፍራ ይስዕብዎ ነበሩ እምበር፣ ኪኸዱ ኸለዉስ ኣይምለሱን ነበሩ። 12 ኩሉ ስጋኦምን
ዝባኖምን ኣእዳዎምን ኣኽናፎምን እቲ መንኰራኹርን ኣርባዕቲኡ መንኰራኹሮምን ብዅሉ ዙርያኦም
ኣዒንቲ መሊኦዎም ነበረ፣ 13 ነቲ መንኰራኹር ከኣ፣ ኣነ እናሰማዕኩ፣ ኣንኰርኰርቲ ኢሎም ይሰምይዎ
ነበሩ። 14 ነፍሲ ወከፍ ኣርባዕተ ገጽ ነበሮ፣ እቲ ቐዳማይ ገጽ ናይ ኪሩብ ገጽ፣ እቲ ኻልኣይ ገጽ ናይ ሰብ
ገጽ፣ እቲ ሳልሳይ ከኣ ገጽ ኣንበሳ፣ እቲ ራብዓይ ድማ ገጽ ንስሪ እዩ። 15 እቶም ኪሩቤል ከኣ ተላዕሉ፣
ንሳቶምውን እቶም ቀደም ኣብ ርባ ኬባር ዝርኤኽዎም እንስሳ እዮም። 16 እቶም ኪሩቤል ኪኸዱ ኸለዉ፣
እቲ መንኰራኹር ድማ ጐጐብኦም ይኸይድ ነበረ። እቶም ኪሩቤል ካብ ምድሪ ኺለዓሉስ ኣኽናፎም
እንተ ዘርግሑ፣ እቲ መንኰራኹርውን ካብ ጥቓኦም ኣየግልስን ነበረ። 17 መንፈስ እቶም እንስሳ ኣብኦም
ስለ ዝነበረ፣ እቲኣቶም ደው ኪብሉ ኸለዉ፣ እዚ ድማ ደው ይብል ነበረ፣ እቲኣቶም ኪለዐሉ ኸለዉ፣
እዚውን ይለዓል ነበረ። 18 ክብሪ እግዚኣብሄር ካብ ልዕሊ ልዳት እታ ቤት ወጸ፣ ኣብ ሊዕሊ ኪሩቤል ከኣ
ቘመ። 19 እቶም ኪሩቤል ድማ ኣኽናፎም ዘርግሑ። ኪነቕሉ ኸለዉ ኸኣ፣ እቲ መንኰራኹር ብጥቓኦም
ኰይኑ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይነይ ካብ ምድሪ ተላዕሉ፣ ኣብቲ ናይ ምብራቕ ኣፍ ደገ ቤት እግዚኣብሄር ድማ
ቘሙ። ክብሪ ኣምላኽ እስራኤልውን ኣብ ልዕሊኦም ነበረ። 20 እዚኦም ከኣ እቶም ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ
እስራኤል ኣብ ጥቓ ርባ ኬባር ዝርኤኽዎም እንስሳ እዮም። ኣነውን ኪሩቤል ምዃኖም ኣለሌኽዎም። 21
ንነፍሲ ወከፎም ኣርባዕተ ገጽ፣ ንነፍሲ ወከፎም ድማ ኣርባዕተ ኽንፊ ነበሮም። ኣብ ትሕቲ ኣክናፎም
ከኣ ኣእዳው ሰብ ዚመስል ነበሮም። 22 መልክዕ ገጾም ከምቲ ኣብ ጥቓ ርባ ኬባር ዝርኤኽዎ ገጽ ነበረ፣
ትርኢቶም ከምኡ ነበረ። ነፍሲ ወከፎም ንቕድሚኡ ትኽ ኢሉ ይኸይድ ነበረ።

# ምዕራፍ 11

1 መንፈስ ኣልዐለኒ ናብቲ ወገን ምብራቕ፣ ናብቲ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ዘርኢ ደገ ቤት እግዚኣብሄር ድማ
ወሰደኒ። እንሆ ኸኣ፣ ኣብቲ ደገ ኣፍ ዕስራን ሓሙሽተን ሰብኣይ ነበሩ፣ ኣብ ማእከሎም ድማ ነቶም
መሳፍንቲ ህዝቢ ያኣዛንያ ወዲ ዓዙርን ፈላጥያ ወዲ በናያን ርኤኽዎም። 2 በለኒ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣
እዚኣቶም ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ሕሰም ዚጠልፉ፣ እኩይ ዚመኽሩ ሰባት እዮም። 3 ንሳቶም ድማ፣
ኣይቀረበን፣ ኣባይቲ ንስራሕ፣ ንሳ ድስቲ እያ፣ ንሕና ኸኣ ስጋ ኢና፣ ይብሉ ኣለዉ። 4 ስለዚ ኣንጻሮም
ተነበየሎም፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ተነበ፣ በለኒ። 5-6 መንፈስ እግዚኣብሄር ከኣ ኣባይ ወረደ እሞ፣
እግዚኣብሄርሲ፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ንስኻትኩም ከምዚ ትብሉ ኣሎኹም፣ ኣነውን ሓሳባት ልብኹም
እፈልጦ እየ። ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ብዙሓት ቀተልኩም፣ ነደባባያታ ኸኣ ብቕቱላት መላእኩማ፣ ይብል
ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮም፣ በለኒ። 7 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቶም ኣብ ማእከላ
ዘንበርኩምዎም ቅቱላት፣ ንሳቶም ስጋ እዮም፣ ንሳ ኸኣ ድስቲ እያ፣ ንስኻትኩም ግና ካብ ማእከላ
ኽትወጹ ኢኹም። 8 ሰይፊ ፈራህኩም፣ ሰይፊ ድማ ከምጽኣልኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 9
ካብ ማእከላ ኸውጽኣኩም፣ ናብ ኢድ ጓኖት ከኣ ከሕልፈኩም፣ ፍርዲውን ኣባኻትኩም ክገብር እየ። 10
ብሰይፊ ኽትወድቁ ኢኹም፣ ኣብ ወሰን እስራኤል ክፈርደኩም እየ፣ ንስኻትኩምውን ኣነ እግዚኣብሄር
ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 11 እዛ ኸተማ እዚኣ ድስቲ ኣይክትኰነልኩምን፣ ንስኻትኩም ድማ ኣብ
ማእከላ ስጋ ኣይትኰኑን ኢኹም፣ ኣብ ወሰን እስራኤል ክፈርደኩም እየ። 12 ንስኻትኩምሲ ፍርዲ ኣቶም
ኣብ ዙርያኹም ዘለዉ ኣህዛብ ገበርኩም እምበር፣ ከም ትእዛዛተይ ኣይተመላለስኩምን፣ ፍርደይ ከኣ
ኣይገበርኩምን እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 13 ኰነ ኸኣ፣ ኣነ ኽንበ ኸሎኹ፣
ፈላጥያ ወዲ በናያ ሞተ። ሽዑ ብግምባረይ ተደፊኤ ዓው ኢለ፣ ኣየ፣ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ነቶም
ትርፎፍያ እስራኤልዶ ብጥራስ ከተጥፍኦም ኢኻ ኢለ ጨራሕኩ። 14 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር
ድማ ናባይ መጸ፣ 15 ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ እዮም ነሕዋትካ፣ እወ ነሕውትካ፣
ነቶም ኣዝማድካን ንቤት እስራኤል ዘበሉ ዅሎምን፣ ካብ እግዚኣብሄር ርሐቑ፣ እዛ ሃገር ንኣና ንርስቲ
ተውሂባትና እያ፣ ዝበልዎም። 16 ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ናብ ማእከል ህዝብታት እኳ እንተ
ኣርሐቕኩዎም፣ ኣብ ማእከል ሃገራትውን እንተ ዘሮኹዎም፣ ኣብቲ ዘዚመጽዎ ሃገራት ንቕሩብ ጊዜ
መቕደስ ክኾኖም እየ፣ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮም። 17 ስለዚ ድማ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ካብቶም
ህዝብታት ክእከበኩም፣ ካብቲ ፋሕ ኢልኩምዎ ዘሎኹም ሃገራት ከኣ ክኣኻኽበኩም፣ ሃገር
እስራኤልውን ክህበኩም እየ፣ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮም። 18 ናብኣ ኸኣ ኪመጹ እዮም፣ ኵሉ እቲ ኣብኣ
ዘሎ ዜስገድግድ ነገራን ኵሉ ጽያፍን ድማ ካብኣ ኼርሕቕዎ እዮም። 19-20 ብትእዛዛተይ ምእንቲ
ኺመላለሱ፣ ንፍርደይ ከኣ ኺሕልዉን ኪገብርዎን፣ ሓደ ልቢ፣ ኽህቦም፣ ሓድሽ መንፈስ ድማ ኣብ
ውሽጥኹም ከሕድረልኩም እየ። ካብ ስጋኦም ናይ እምኒ ልቢ ኸውጽእ፣ ናይ ስጋ ልቢውን ክህቦም እየ።
ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፣ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ። 21 ግናኸ እቶ፣ ልቦም ንልቢ እቶም
ፍንፉናት ነገሮምን ጽያፎምን ዚስዕብሲ፣ መገዶም ኣብ ርእሶም ክመልሰሎም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ። 22 ሽዑ እቶም ኪሩቤል ኣኽናፎም ኣልዐሉ፣ እቲ መንኰራኵር ከኣ ጐጐብኦም ነበረ፣ ክብሪ
ኣምላኽ እስራኤል ድማ ኣብ ላዕሊ፣ ኣብ ሊዕሊኦም ነበረ። 23 ክብሪ እግዚኣብሄር ከኣ ካብ ማእከል እታ
ኸተማ ተላዕለ እሞ ኣብ ልዕሊ እቲ ብወገን ምብራቕ እታ ኸተማ ዘሎ ኸረን ቈመ። 24 መንፈስ ድማ
ኣልዐለኒ፣ በቲ መንፈስ ኣምላኽ ከኣ ብራእይ ናብ ምድሪ ከለዳውያን፣ ናብቶም ምሩኻት ወሰደኒ። እቲ
ዝርእዮ ዝነበርኩ ራእይ ድማ ካብ ቅድመይ ህልም በለ። 25 ኣነ ኸኣ እቲ እግዚኣብሄር ዘርኣየኒ ዅሉ
ቓላት ነቶም ምሩኻት ነገርክዎም።

# ምዕራፍ 12

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንስኻስ ኣብ ማእከል ዓላዊት ቤት
ትነብር ኣሎኻ። ዓላዊት ቤት እዮም እሞ፣ ኣዒንቲ ንምርኣይ ዘለዎም፣ ዘይርእዩ፣ ኣእዛን ከኣ ንምስማዕ
ዘለዎም፣ ዘይሰምዑ እዮም። 3 ስለዚ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ከም ስደተኛ ካንካ ተበትብ ኣዳሉ እሞ ኣብ
ቅድሚኦም ብመዓልቲ ተበገስ። ዓላዊት ቤት እዮም እሞ፣ ምናልባሽ እንተ ኣስተንተኑ፣ ኣብ ቅድሚኦም
ካብ ስፍራኻ ናብ ካልእ ስፍራ ጕዐዝ። 4 ከምቲ ተበትብ ስደት፣ ንተበትብካ ኣብ ቅድሚኦም ብመዓልቲ
ኣውጽኣዮ። ከምቲ ንስደት ዚወጽእ ሰብ ኬንካ፣ ኣብ ቅድሚኦም ምሸት ውጻእ። 5 ኣብ ቅድሚኦም ነቲ
መንደቕ ኣንኵሎ፣ ብእኡ ድማ ኣውጽኣዮ። 6 ኣብ ቅድሚኦም ኣብ መንኵብካ ጹሮ፣ ምስ ጸልመተ ድማ
ኣውጽኣዮ። ንቤት እስራኤል መመሰሊ ገይረካ እየ እሞ፣ ነዛ ምድሪ ምእንቲ ከይትርእያ፣ ገጽካ ተዕመት።
7 ከምቲ ዝኣዘዘኒ ገበርኩ፣ ንተበትበይ፣ ከም ተበትብ ስደት ገይረ፣ ብመዓልቲ ኣውጻእክዎ፣ ምሸት ከኣ
ነቲ መንደቕ ብኢደይ ኣንኰልክዎ። ምስ ጸልመተ ድማ፣ ኣብ መንኵበይ ጾይረ ኣብ ቅድሚኦም
ኣውጻእክዎ። 8 ንጽብሒቱ ኸኣ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ 9 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ቤት ኣስራኤል፣
እዛ ዓላዊት ቤትሲ፣ እንታይ ደኣ እዩ እትገብሮ ዘሎ ኢላዶ ኣይተዛረበትካን፣ 10 እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ፣
እዚ ጾር እዚ ነቲ ኣብ የሩሳሌም ዘሎ መስፍንን ነቶም ኣብ ማእከላ ዘለዉ ዅሎም ቤት እስራኤልን እዩ፣
ይብል ኣሎ ኢልካ ንገሮም፣ 11 በለውን፣ ኣነ ምሳሌኹም እየ። ከምቲ ኣነ ዝገበርክዎ፣ ከምኡ ኺገብርዎም
እዮም፣ ንሳቶም ብስደት ናብ ምርኮ ኪኸዱ እዮም። 12 እቲ ኣብ ማእከሎም ዘሎ መስፍን፣ ኣብ መንኵቡ
ጸይሩ፣ ምስ ጸልመተ ኺወጽእ እዩ፣ ምእንቲ ኬውጽእዎስ፣ ነቲ መንደቕ ኬንኵልዎ እዮም። ነታ ምድሪ
በዒንቱ ኸይርእያ ድማ ገጹ ኺዕመት እዩ። 13 መርበበይ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ እዝርግሓሉ፣ ብመፈንጠራይ
ድማ ይተሐዝ። ናብ ባቢሎን፣ ናብ ምድሪ ከለዳውያን ከምጽኦ እየ፣ ግናኸ ኣብኣ ኺመውት ክነሱስ
ኣይኪርእያን እዩ። 14 ንዅላቶም ኪሕግዝዎ ኢሎም ዚኸብዎን ንዅሎም ሰራዊቱን ናብ ኵሉ ንፋሳት ፋሕ
ከብሎም፣ ሰይፈይ ድማ ደድሕሪኦም ከመዝዝ እየ። 15 ኣብ ማእከል ህዝብታት ምስ ዘሮኽዎምን ኣብ
ማእከል ሃገራት ፋሕ ምስ ኣበልክዎምን ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 16 ካባታቶ ግና
ኣብቶም ዚመጽዎም ህዝብታት ኵሉ ፍንፉን ነገሮም ምእንቲ ኺዘንትዉስ፣ ካብ ሰይፍን ጥሜትን ፌራን
ሒዶት ከትርፍ እየ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም። 17 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር
ድማ መጸኒ፣ 18 ኣታ ወዲ ሰብ፣ እንጌራኻ ራዕራዕ እናበልካ ብላዕ፣ ማይካ ኸኣ ብፍርሃትን ብሰንፈላልን
ስተ። 19-20 ንህዝቢ እዛ ሃገር እዚኣ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብዛዕባ እቶም ኣብ የሩስሌምን ኣብ ሃገር
እስራኤልን ዚነብሩስ፣ ሃገሮም ብሰሪ ዓመጽ ኵሎም ኣቶም ዚነብርዋ፣ ምስቲ ኣባኣ ዘሎ ኽትባድም ኣያ
እሞ፣ እንጌራኦም ብሰንፈላል ኪበልዑ፣ ማዮም ድማ እናስካሕክሑ ኺሰትዩ እዮም። እዘን ሰብ
ዚነብረለን ዘሎ ኸተማታት ኪዐንዋ እየን፣ እታ ሃገር ድማ ክትባድም እያ፣ ንስኻትኩምውን ኣነ
እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም፣ ይብል ኣሎ ኢልካ ንገሮም። 21 ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር መጸኒ፣ 22 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ሃገር እስራኤል፣ ዘመን ይነውሕ፣ ራእይ ዘበለ ዅሉውን
ይጠፍእ ኣሎ፣ ኢልኩም ትምስሉስ እንታይ ምስላኡ እዩ እዚ 23 ስለዚ በሎም፣ ከምዚ ይብል ኣሎ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ነዚ ምስላ እዚ መወዳእታ ኽገብረሉ እየ፣ ኣብ እስራኤል ከኣ መሊሶም
ኣይኪምስልዎን እዮም፣ ንስኻ ግና፣ ዘመን መፈጸምታ ዅሉ ራእይን ይቐርብ ኣሎ፣ ኢልካ ደኣ ንገሮም።
24 ስለዚ ኣብ ማእከል ቤት ኣስራኤል ድሕርዚ ኸንቱ ራእይን ሓሳዊ ትንቢትን ኣይኪኸውንን እዩ። 25 ኣነ
እግዚኣብሄር እየ እሞ፣ ኣነ እየ ዝዛረብ፣ እቲ ዝዛረቦ ቓል ከኣ ኪፍጸም ኣይኪድንጉን ድማ እዩ። ኣቱም
ዓላዊት ቤት፣ ብዘመንኩም ቃል እዛረብ፣ እገብሮውን ኣሎኹ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 26 ከምዚ

ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 27 ኣታ ወዲ ሰብ፣ እንሆ፣ ቤት እስራኤልሲ፣ እቲ ዚርእዮ ራእይ
ንዚመጽእ ነዊሕ ዘመን እዩ፣ ንርሑቕ ዘሎ ግዝያት ድማ እዩ ዚንበ ዘሎ፣ ይብሉ ኣለዉ። 28 ስለዚ በሎም፣
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ድሕርዚ ኻብተን ቃላተይሲ ሓንቲ እኳ ኣይክትድንጉን እያ።
እታ እተናገርክዋ ቓል ከኣ ክትፍጸም እያ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኢልካ ንገሮም።

# ምዕራፍ 13

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነቶም ዚንበዩ ዘለዉ ነብያት
እስራኤልሲ ኣንጻሮም ተነበየሎም፣ ነቶም ካብ ልቦም ሀንዲሶም ዚንበዩ ዘለዉውን፣ ቃል እግዚኣብሄር
ስምዑ፣ ኢልካ ንገሮም። 3 እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ነቶም ገለ ኸይርኣዩስ ንመንፈስ ርእሶም ዚስዕቡ ዓያሱ
ነብያት ወይለኦም፣ ይብል ኣሎ። 4 ኣታ እስራኤል፣ ነብያትካ ኸም እተን ኣብ ምድረ በዳ ዚነብራ ወኻሩ
እዮም። 5 በታ መዓልቲ እግዚኣብሄር ኣብ ኲናት ቀጥ ኢልኩም ክትቈሙስ፣ ናብቲ ፍራስ
ኣይወጻእኩምን፣ ኣብ ዙርያ ቤት እስራኤልውን ቀጽሪ ኣይሰራሕኩምን። 6 እቶም እግዚኣብሄር
ከይለኣኾምሲ፣እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣ ኢሎም ቃሎም ከም ዚፍጸም ዘተስፍዉ፣ ከንቱነትን ትንቢት
ሓሶትን እዮም ዝረኣዩ። 7 ኣነ ኸይተዛረብኩስ ንስኻትኩም፣ እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣ እትብሉ
ዘሎኹም፣ ከንቱ ራእይዶ ኣይኮነን ዝርኤኹምዎ ትንቢት ሓሶትዶኸ ኣይኰነን እተዛረብኩምዎ 8 ስለዚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ከንቱነት ስለ እተዛረብኩም ሓሶትውን ስለ ዝርኤኹም፣ ስለዚ
እኔኹ ተሀንዲደኩም ኣሎኹ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 9 ኢደይ ከኣ ነቶም ከንቱነት ዚርእዩን ሓሶት
ዚንበዩን ዘለዉ ነብያት ተጻሪራቶም ኣላ። ንሳቶም ኣብ ባይቶ ህዝበይ ኣይኪህልዉን፣ ኣብ ደብተር ቤት
እስራኤል ድማ ኣይኪጸሐፉን፣ ናብ ሃገር እስራኤል ከኣ ኣይኪኣትዉን እዮም፣ ንስኻትኩም ድማ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 10 ሰላም ዜልቦ፣ ሰላም ኣሎ፣ ኢሎም ንህዝበይ ስለ
ዘስሐትዎ፣ እወ ስለ ዘስሐትዎ፣ ንሱ መንደቕ እንተ ነደቐ፣ እንሆ፣ ንሳቶም ብዘይ ቀውም ጸብሪ
ይልቕልቕዎ ኣለዉ። 11 ነቶም ብዘይ ቀውም ጸብሪ ዚልቕልቕዎስ፣ ኪወድቕ እዩ፣ በሎም። ዚደማስስ
ዝናም ኪዘንም እዩ፣ ኣቱም ኣእማን በረድ፣ ክትወድቁ ኢኹም፣ ህቦብላ ንፋስ ከኣ ኬፍርሶ እዩ። 12
እንሆ፣ እቲ መንደቕ ምስ ፈረሰ፣ እቲ ዝለቕለቕኩምሉ ጸብርስ ኣበይ ኣሎዶ ኣይኪብሉኹምን እዮም 13
ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ብነድረይ ህቦብላ ንፋስ ክፍኑ፣ ብኹራይ ድማ
ዚደማስስ ዝናም ከዝንም፣ ብነድረይውን ዜጥፍእ ኣእማን በረድ ከውርድ እየ። 14 ነቲ ብዘይ ቀውም
ጸብሪ ዝለቕለቕኩምዎ መንደቕ ከፍርሶን ናብ ምድሪ ኸውድቖን እየ። መሰረቱውን ጋህ ኪብል እዩ። ንሱ
ኺወድቕ እዩ፣ ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ማእከሉ ኽትጠፍኡ ኢኹም እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ
ክትፈልጡ ኢኹም። 15 ነቲ መንደቕን ነቶም ብዘይ ቀውም ጸብሪ ዝለቕለቕዎን ሃና ነድረይ ከውጽኣሎም
እየ።ኣነ ድማ፣ እቲ መንደቕ የሎን፣ እቶም ዝለቕለቕዎውን የለዉን ክብለኩም እየ። 16 ንሳቶም እቶም
ብዛዕባ የሩሳሌም ዚንበዩ፣ ሰላም፣ ዜልቦስ ራእይ ሰላም ዚርእዩላ ዘለዉ ነብያት እስራኤል እዮም፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 17 ንስኻውን ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብተን ካብ ልበን ሀንዲሰን ዚንበያ ኣዋልድ
ህዝብኻ ኣብል ኣንጻረን ድማ ተነበየለን፣ 18 ንነፍሳት ኬፈንጥራስ፣ እተን መኼዳ ንኹሉ ኹርናዕ ኣእዳው
ዚሰፍያን ንዓብይን ንንእሽቶይን ኵሉ ርእሲ ድማ መጐልበቢ ዚገብራን ወይለኤን። ነፍሳት ህዝበይ
ትፍንጥራ፣ ነፍሳትክንዶ ኸተድሕና ኢኽን ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኢልካ ንገር። 19 ንስኻትክን
ነተን ዘይሞታ ነፍሳት ንሞት እናወፈኽን፣ ነተን ብህይወት ኪነብራ ዘይግባኤን ነፍሳት ከኣ ህይወተን

እናኣድሓንክ፣ ነቲ ሓሶት ዚሰምዕ ህዝበይ እንሓሶኽናሉ፣ ምእንቲ ዕሙኽቲ ስገምን ቁረርስ እንጌራን ኣብ
ህዝበይ ተርክሳኒ ኣሎኽን። 20 ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ ኣነ ነተን
ንነፍሳት ከም ኣዕዋፍ እትፍንጥራለን መኼዳታትክን ተሀንዲደየን ኣሎኹ፣ ካብ ቅልጽምክን ድማ
ክቐደን፣ ነተን ነፍሳት፣ እወ ነተን ከም ኣዕዋፍ ዝፈንጠርክናኤን ነፍሳት ሓራ ኽውጽኤን እየ። 21 ነቲ
ምጐልበቢታትክን ድማ ክቕዶ፣ ንህዝበይ ከኣ ካብ ኢድክን ከድሕኖ እየ፣ ከይተፈንጥራኦምውን ኣብ
ኢድክን ኣይኪኾኑን እዮም እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነ ክትፈልጣ ኢኽን። 22 ንልቢ እቲ ጻድቕ፣ ኣነ
ኸሕዝኖ ዘይደሌኹስ፣ ንስኻትክን ብሓሶት ስለ ዘሕዘንክናኦ፣ እቲ ረሲእ፣ ካብ መገዲ ረሲኣነት ከይምለስ
እሞ ከይድሕንሲ፣ ኣእዳዉ ስለ ዘበርታዕክን፣ 23 ስለዚ ከንቱነት ኣይክትርእያን፣ ድሕርዚ ኸኣ ትንቢት
ኣይክትንበያን ኢኽን። ንህዝበይውን ካብ ኢድክን ከናግፎ እየ እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጣ
ኢኽን።

## ምዕራፍ 14

1 ሓያሎ ኻብቶ ዓበይቲ እስራኤል ከኣ ናባይ መጺኦም፣ ኣብ ቅድመይ ተቐመጡ። 2 ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 3 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣዞም ሰባት እዚኣቶም ንጣኦታቶም ኣብ ልቦም
ኣሕዲሮምዎም ኣለዉ፣ ነቲ መዓንቀፊ ኣበሳኦም ከኣ ኣብ ቅድሚ ገጾም ኣቕሚምዎ ኣለዉ። ከመይ ኢለ
ደኣ በዚኣቶም ክሕተት እየ 4-5 ስለዚ ተዛረቦም፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ሓደ እኳ ኻብ ቤት እስራኤል፣
ጣኦታቱ ኣብ ልቡ ዜሕድር፣ ነቲ መዓንቀፊ ኣበሳኡ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ገጹ ዜቕውም፣ ኣብ ነብዩውን
ዚመጽእ ዘበለ፣ ኹላቶም ብሰሪ ጣኦታቶም ካባይ ዘምቢሎም እዮም እሞ፣ ንቤት ኣስራኤል ብልቦም
ምእንቲ ኺሕዞምሲ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ከም መጠን ብዝሒ ጣኦታቱ ኽመልሰሉ እየ፣ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ
ንገሮም። 6 ስለዚ ንቤት ኣስራኤል በሎም፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ተመለሱ፣ ካብ
ጣኦታትኩም ተመለሱ፣ ካብ ኵሉ ጽያፍኩም ከኣ ገጽኩም ምለሱ። 7 ሓደ እኳ ኻብ ቤት እስራኤል ወይስ
ካብቶም ኣብ እስራኤል ዚነብሩ ዘለዉ መጻእተኛታት ካባይ ዚርሕቕ፣ ንጣኦታቱ ኣብ ልቡ ዜሕድር፣ ነቲ
መዓንቀፊ ኣበሳኡ ድማ ኣብ ቅድሚ ገጹ ዜቕውም፣ ንኣይ ኪሐተሉ ኢሉውን ናብ ነብዩ ዚመጽእ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ባዕለይ ክመልሰሉ እየ 8 ነዚ ሰብኣይ እዚ ንምህንዳድ ኣነ ክመልሰሉ፣ ንምልክትን ምሳሌን
ከኣ ክገብሮ፣ ካብ ማእከል ህዝበይውን ከጽንቶ እየ፣ ንስኻትኩምውን እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ
ኢኹም። 9-11 ቤት እስራኤል ህዝበይ ኪኾኑ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እምበር፣ ድሕርዚ ኻባይ
ከይዝምብሉ፣ ሕጊ ብምፍራሶም ዘበለ ኵሉኸኣ ከይረኽሱስ፣ እቲ ነብዩ እኳ ተጠቢሩ ቓል እንተ
ተዛረበ፣ ነቲ ነብዩ እቲ ኣነ እግዚኣብሄር እየ ዝጠበርክዎ። ኢደይ ናብኡ ኽዝርግሕ እየ እሞ ካብ ማእከል
ህዝበይ እስራኤል ከጥፍኦ እየ። በደሎም ድማ ኪጾሩ እዮም፣ በደል እቲ ነብዩ ማዕረ በደል እቲ ሓታቲኡ
ኪኸውን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 12 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 13 ኣታ
ወዲ ሰብ፣ ሃገር ኣዝያ ጠሊማ ኣባይ ሓጢኣት እንተ ገበረት፣ ኣነ ኸኣ ኢደይ እንተ ዘርጋሕኩላ፣ ነቲ
ምርኩስ እንጌራ ድማ እንተ ሰበርኩላ፣ ጥሜት ከኣ እንተ ሰደድኩላ፣ ሰብን እንስሳንውን እንተ
ኣጽነትኩላ፣ 14 እዞም ሰለስተ ሰብኣይ፣ ኖህን ዳንኤልን እዮብን፣ ኣብኣ እኳ እንተ ጸንሑ፣ ንሳቶምሲ
ብጽድቆም ነታ ነፍሶም ጥራይ ደኣ መናገፍዋ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 15 ብሰሪ እቶም ኣራዊት
ሓደ እኳ ብእኣ ምሕላፍ ከሳዕ ዚስእን፣ ምድረ በዳ ገይሮም ከሳዕ ዜጥፍእዋ፣ ኣነ ሕሱማት ኣራዊት ኣብ
ማእከል እታ ሃገር ኣንተ ፈኖኹ፣ 16 እዞም ሰለስተ ሰብኣይ እኳ ኣብኣ እንተ ጸንሑ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል

እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንሳቶምሲ ንርእሶም ጥራይ ደኣ ምተናገፉ እምበር፣ ነወዳት ወይስ ነዋልድ ኣይመናገፉን፣ እታ ሃገር ከኣ ምባደመት። 17 ወይስ ንሰብን እንስሳን ካብኣ ኽይጸንትሲ፣ ሰይፊ ኣብ ማእከል እታ ሃገር ይሕለፍ፣ ኢለ ንሰይፊ ናብታ ሃገር እንተ ኣምጻእኩ፣ 18 እዞም ሰለስተ ሰብኣይ ኣብኣ እኳ እንተ ጸንሑ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንሳቶምሲ ንርእሶም ጥራይ ደኣ ምተናገፉ እምበር፣ ነወዳት ወይስ ነዋልድ ኣይመናገፉን። 19 ወይስ ሰብን እንስሳን ካብኣ ኽጽንትሲ፣ ፌራ ናብታ ሃገር ኣቲኣ እንተ ሰደድኩ፣ ቍጥዓይ ከኣ ብደም እንተ ኽዖኹ፣ 20 ኖህን ዳንኤልን እዮብን እኳ ኣብኣ እንተ ጸንሑ፣ ንሳቶምሲ ብጽድቆም ንነፍሶም ጥራይ ደኣ መናገፉ እምበር፣ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ወዲ ወይስ ጓል ኣይመናገፉን። 21 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሰብን እንስሳን ካብኣ ኽጽንትሲ፣ ነተን ኣርባዕተ ብርቱዓት ፍርደይ፣ ሰይፍን ጥሜትን ሕሱማት ኣራዊትን ፌራን፣ ኣብ የሩሳሌም ምስ ዝሰድድውን፣ 22 እንሆ፣ ዜውጽእዎም ኣወዳትን ኣዋልድን ገለ ተርፍ ኬምልጡ እዮም። እንሆ ኽኣ፣ ንሳቶም ናባኻትኩም ኪመጹ እዮም፣ ንብረቶምን ግብሮምን ድማ ክትርእዩ ኢኹም፣ ንስኻትኩምውን በቲ ኣነ ኣብ የሩሳሌም ዘውረድክዎ መዓትን በቲ ዘውረድኩላ ኾሉን ክትጸናንዑ ኢኹም። 23 ንብረቶምን ግብሮምን ምስ ርኤኹም፣ ንምጽንናዕኩም ኪኾኑ ኣዮም። ኵሉ እቲ ዝገበርክዎስ ብዘይ ምኽንያት ከም ዘይገበርክዎ ኽትፈልጡ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 15

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኦም ወይኒ፣ እቲ ኣብ ማእከል ኣእዋም ዱር ዘሎ ሓረግሲ፣ ብምንታይ እዩ ኻብቲ ኻልእ ኣእዋም ዚበልጽ 3 ብእኡ ስራሕ ኪገብሩስ፣ ካብኡዶ ዕጨይቲ ይወስዱ እዮም ኣቕሓ ኺሰቕሉሉስ፣ ጸዋሪትከ ኻብኡዶ ይወስዱ እዮም 4 እንሆ፣ ሞኾ ኪብል ኣብ ሓዊ ይድርበ፣ እቲ ሓዊ ኽኣ ንኽልቲኡ ጨንፈሩ ይበልዖ፣ እቲ ማእከሉውን ይሐርር፣ ንገለ ስራሕዶ ይጠቅም እዩ 5 እንሆ፣ ብደሓኑ ኸሎ እኳ ንስራሕ ዘይጠቕመስ፣ ሓዊ ምስ በልዖን ምስ ኣሕረሮን ግዳ ኸመይ ኢሉ ገለ ስራሕ ኪግበሮ ይከኣል 6 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ከምቲ ኣብ ማእከል ኣእዋም ዱር ብሓዊ ሞኾ ኪብል ዝወፈኽዎ ኦም ወይኒ፣ ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ኽኣ ከምኡ ኣሕሊፈ ኽህቦም እየ። 7 ንምጽራሮም ገጸይ ናባታቶም ክመልስ እየ፣ ካብ ሓዊ ወጹ፣ ግናኸ ሓዊ ኺበልዖም ኣዩ። ንምጽራሮም ገጸይ ናባታቶም ክመልስ ከሎኹ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 8 ስለ ዝጠለሙ ነታ ሃገር ከባድማ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 16

1 ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ በለኒውን፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንየሩሳሌም ጽያፋ ኣፍልጣ፣ 3 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንየሩሳሌም ከምዚ ይብላ ኣሎ፣ ኢልካውን በላ፣ ሱርክን ወለዶኽን ካብ ሃገር ከንኣናውያን እዩ፣ ኣቦኺ ኣሞራዊ እዩ፣ ኣዴኺ ኸኣ ሔታዊት እያ 4 ብናይ ምውላድክስ፣ በታ እተወለድክላ መዓልቲ እትቢ ሕምብርትኺ ኣይተኣትበን፣ ምእንቲ ኽትጸርይስ ብማይ ኣይተሐጸብክን፣ ብጨው ኣይተቐባእክን፣ ኣይተጠቕለልክንውን። 5 በታ እተወለድክላ መዓልትስ ነፍስኺ ስለ እተናዕቀ፣ ኣብቲ ጋህ ዝበለ መሮር ደኣ ተደርቤኺ። ሓደ ግዛዕ ካብዚ ኺግብረልኪ ኢሉ ራሕሪሑ ብለውሃቱ ቍሊሕ ዝበለኪ ዓይኒ የልቦን። 6 ብኣኺ ሐለፍኩ፣ ኣብ ደምኪ ጠንቀላዕላዕል ክትብሊ ኸሎኺ ኸኣ ርኤኹኺ እሞ፣ ኣቲ ኣብ ደምኪ

ዘሎኺ፣ ብህይወት ንበሪ፣ በልኩኺ። እወ ኣብ ደምኪ ዘሎኺ ብህይወት ንበሪ፣ በልኩኺ። 7 ከም ብቑሊ
ግራሁ ኣኣላፋት ገይረ ኣብዛሕኩኺ። ንስኺ ድማ ዘለግ በልኪ፣ ዓቤኺ፣ ኣዚኺ ኸኣ መልካዕኪ፣ ኣጥባት
ገበርኪ፣ ጸጕርኺውን በቚለ፣ ግናኸ ንስኽስ ጥራይክን ዕርቓትን ነበርኪ። 8 ብኣኺ ሓሊፈ ርኤኹኺ፣
እንሆ፣ ኸኣ፣ ጊዜኺ፣ እቲ ጽቡቕ ፍትወት ነበረ። ዘፈር ክዳነይ ኣብ ልዕሌኺ ዘርጊሔ፣ ዕርቃንኪ
ኸወልኩ። መሐልኩልኪ፣ ኺዳን ኣቶኹልኪ፣ ናተይውን ኰንኪ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 9
ብማይ ሐጸብኩኺ፣ ካብ ደምኪ ኣጽሬኹኺ፣ ብዘይቲ ድማ ቀባእኩኺ። 10 ብወርቀዘቦ እተጠልፈ
ኸደንኩኺ፣ ብቜርበት የባራረብ ሳእኒ ቖጻዕኩልኪ፣ ብሻሽ ኣዕጠቕኩኺ፣ ብሃሪውን ከደንኩኺ። 11
ብስልማት ሰለምኩኺ፣ ኣብ ቀላጽምኪ ኣምባር፣ ኣብ ክሳድኪ ኸኣ ሕንጥልጥል ኣሰርኩልኪ። 12 ቀለቤት
ኣብ ኣፍንጫኺ፣ ኵትሻ ኣብ ኣእዛንኪ፣ ዘውዲ ግርማ ድማ ኣብ ርእስኺ ገበርኩልኪ። 13 በዚ ኸምዚ
ብወርቅን ብሩርን ተሰለምኪ፣ ሻሽን ሃርን መርግፍን ተወንዘፍኪ፣ ኵእኩእ ስርናይን መዓርን ዘይትን
በላዕኪ። ኣዚኺ መልካዕኪ፣ ክሳዕ ንግስቲ ምዃን ከኣ በጻሕኪ። 14 በቲ ኣነ ዝሰለሙክኺ ግርማ እቲ
መልክዕኪ ፍጹም ኰይኑ እዩ እሞ፣ ብምኽንያቱ ወሬኺ ኣብ ማእከል ህዝብታት ወጸ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 15 ንስኺ ግና ብመልክዕኪ ተኣመንኪ፣ ስለ ናእዳ ስምኪ ኢልኪ ኣመንዘርኪ፣
ንማንም ሓላፍ መገዲ ንእኡ ኽትኰኒ፣ ምንዝርናኺ ኣቕረብክሉ። 16 ካብ ክዳውንትኺ ወሲድኪ፣ ውሩዕ
በረኽቲ ስፍራ ሰራሕኪ እሞ ኣብኡ ኣመንዘርኪ። ከምዚ ዝበለስ ኣይተገብረን ኣይኪግበርን ከኣ እዩ። 17
እቲ ኣነ ዝሀብኩኺ ጽቡቕ ስልማትኪ ወርቀይን ብሩረይን ኣልዓልኪ፣ምስልታት ሰብኣይ ንኣኺ ገበርኪ፣
ምሳታቶም ድማ ኣመንዘርኪ። 18 ክዳን ወርቀ ዘቦኺ ኣልዒልኪ ከደንክዮም፣ ዘይተይን ዕጣነይን ከኣ ኣብ
ቅድሚኦም ኣቕረብኪ። 19 ነቲ ኣነ ዝሀብኩኺ እንጌራይ፣ እቲ ብእኡ ዝምግበኪ ዘነበርኩ ዀእኩእ ሓርጭ
ስርናይን ዘይትን መዓርን ንመኣዛ ሽታ ኣብ ቅድሚኦም ቀረብክዮ። እዚ ተገይሩ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ። 20-21 ነቶም ንኣይ ዝወለድክዮም ኣወዳትክን ኣዋልድክን ከኣ ምእንቲ ኺውሕጥዎም፣
ኣልዒልኪ ሰዊእክዮም። ንደቀይ ሐሪድኪ፣ ብሓዊ ኣሕሊፍኪ ዝወፈኽዮምሲ፣ እዚ ምንዝርናኺዶ
ውሒዱኪ እዩ 22 ኣብ ኵሉ ጽያፍክን ምንዝርናኽን ከሎኺ፣ ነቲ ጥራይክን ዕርቓትን ኳንኪ ኣብ ደምኪ
ጠንቀላዕላዕ እትብልሉ ዝነበርኪ ዘመን ንእስነትኪ ኣይዘከርክን። 23 ድሕሪ ዅሉ ጊዜ ኽፍኣትኪ፣
ወይለኺ፣ ወይለኺ፣ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ 24 ንስኺ ልዕል ዝበለ ስፍራ፣ ብዅሉ
መተሐላለፍ መገዲውን በሪኽ ስፍራ ሰራሕኪ። 25 ኣብ ኵሉ ወሰን መገዲ ክብ ዝበለ ስፍራ ገበርኪ፣
ንመልክዕኪ ኣፈንፈንክዮ፣ ንዅሉ ሓላፍ መገዲ ድማ ኣእጋርኪ ኣርኤኺ፣ ምንዝርናኺውን ኣብዛሕኪ። 26
ምስቶም ስጋኦም ዝገዚፍ ጐረባብትኺ ግብጻውያን ዘሞኺ፣ ኵራይ ንምልዕዓል ከኣ ዝሙትኪ
ኣብዛሕኪ። 27 ስለዚ እንሆ፣ ኢደይ ኣብ ልዕሌኺ ዘርጋሕኩ፣ ንመግብኺ ኸኣ ኣጕደልክዎ፣ ንፍቓድ እተን
ዝጸልኣኺ፣ በቲ ርኹስ መገድኺ ዚሐፍራ ዘለዋ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያን ወፈኹኺ። 28 ኣይጸገብክን
እሞ፣ ምስ ደቂ ኣሶራውያን ዘሞኺ። ምሳታቶም ድማ ዘሞኺ፣ ኣይጸገብክን ከኣ። 29 ምስናይ እዚ ኸኣ
ዝሙትኪ ናብ ምድሪ ኸንኣን ክሳዕ ምድሪ ከለዳውያን ኣብዛሕኪ ግናኸ በዚውን ኣይጸገብክን። 30-31
ኵሉ እዚ ግብሪ እታ ዘይትሐፍር ኣመንዝራ እትገብሪ ኣብ ኵሉ ወሰን መገድታት ልዕል ዝበለ ስፍራ፣ ኣብ
መተሓላለፍ መግዲውን በሪኽ ስፍራ እትሰርሒ፣ ዋጋ ስለ ዝነዐቕኪ ኸም ካልኦት ኣመናዝር ኣይነበርክን፣
ከመይ ዝበለ ብልሽዊ ኾን እዩ እቲ ልብኺ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 32 ኣብ ክንዲ ሰብኣያ ጓኖት
እተእቱ ዘማዊት ሰበይቲ ኾንኪ። 33 ንዅለን ኣመናዝር ህያባት ይወሀበን፣ ንስኺ ግና ንዅሎም
ፈተውትኺ ህያባት ሀብክዮም። ካብ ኵሉ ወገን መጺኦም ምሳኺ ኺዝምዉ ብህያብ ሐባበልክዮም። 34
ንምምንዛር ዚስዕበኪ ዜብልክስ፣ በቲ ምምንዛርኪ ኻልኦት ኣንስቲ ዘይገበራኦ ገበርኪ። ንስኺ ኣብ ክንዲ

ናይ ምንዝርናኺ ህያብ ምቕባልሲ፣ ምእንተ ኸተምንዝሪ ህያብ ሀብኪ፣ ኻልኦት ዘይገበራኦ ገበርኪ። 35
ስለዚ፣ ኣቲ ዘማዊት፣ ቃል እግዚኣብሄር ስምዒ፣ 36 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ብምንዝርናኺ ምስ ፈተውትኺ ርኽሰትኪ ስለ እተኻዕወ፣ ነውርኺ ኸኣ ስለ እተቐልዔ፣ ብሰሪ ኹሎም
እቶም ፍንፉናት ጣኦታትክን፣ ብሰሪ እቶም ንኣታቶም ዝወፈኽዮም ደቅኽን፣ 37 ስለዚ እንሆ፣ ንኹሎም
እቶም ባህ ዘበሉኺ ፈተውትኽን፣ ንኹሎም እቶም ዝፈቶኽዮምን ንኹሎም እቶም ዝጸላእክዮምን
ክእከቦም እየ። ካብ ኵሉ ወገን ንምጽራርኪ ኽእከቦም እየ፣ ኵሉ ዕርቃንኪ ማንተ ኺራዩ፣ ንዕርቃንኪ
ኣብ ቅድሚኦም ክቐልዖ እየ። 38 ኣነውን ከምቲ ዘመውትን መፍሰስቲ ደምን እተፈርዳሉ ገይረ ኽፈርደኪ፣
ናይ ነድርን ናይ ቅናኣትን ደም ከውርደልኪ እየ። 39 ኣብ ኢዶም ኣሕሊፈ ኽህበኪ እየ፣ ንሳቶም ከኣ ነቲ
ልዕል ዝበለ ስፍራኺ ኬፍርሱ፣ በረኽቲ ስፍራኺ ድማ ኪፍንጥሱ፣ ክዳውንትኺ ኺገፉ፣ ጽቡቕ
ስልማትኪ ኪቕንጥጡ፣ ጥራይክን ዕርቕትን ገይሮም ኪሓድጉኺ እዮም። 40 ብዙሕ ሰብ ናባኺ ኼውጽኡ
እዮም ንሳቶም ከኣ ብዳርባ እምኒ ኪቐትሉኺ፣ ብሰይፎም ድማ ኪቘራርጹኺ እዮም። 41 ነባይትኺ
ብሓዊ ኼንድዱ፣ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ኣንስቲ ኸኣ ኪፈርዱኺ እዮም፣ ኣነውን ምንዝርናኺ ኽሕድገኪ
እየ፣ መሊስኪ ድማ ዋጋ ኣይክትህብን ኢኺ። 42 በዚ ኸምዚ ሃና ነድረይ ክወጸልኪ፣ ቅንኣተይ ከኣ
ኪርሕቀልኪ እዩ፣ ክሀድእ ብድሕርዚውን ኣይክኹርን እየ። 43 ዘመን ንእስነትኪ ኣይዘከርክን፣ ብኹሉ እዚ
ነገር እዚ ኸኣ ኣኹሪኽኒ ኢኺ እሞ፣ እንሆ፣ ኣነውን፣ ኣብ ልዕሊ ኵሉ ጽያፍኪ እዚ ነውሪ እዚ
ኸይትውስኽስ፣ መገድኺ ኣብ ርእስኺ ኽመልሶ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 44 እንሆ፣ እቶም
ዚምስሉ ኵላቶም፣ ከምታ ኣደ ኸምኡውን እታ ጓላ፣ ኢሎም ብኣኺ ኺምስሉ እዮም። 45 ንስኺ ጓል እታ
ንሰብኣያን ደቃን ዝጸልኤት ኣዴኺ ኢኺ። ንስኺ ሓብቲ እተን ንሰብኡተንን ደቀንን ዝጸልኣ ኣሓትኪ
ኢኺ። ኣዴኺ ሔታዊት፣ ኣቦኺ ኸኣ ኣሞራዊ ነበሩ። 46 እታ ምስ ኣዋልዳ ኣብ ጸጋምኪ ዘላ ዓባይ
ሓብትኺ ሰማርያ እያ፣ እታ ምስ ኣዋልዳ ኣብ የማንኪ ዘላ ንእሽቶ ሓብትኺ ኸኣ ሶዶም እያ። 47 ንስኺ
ግና ብመገደን ኣይከድክን፣ ከምቲ ፍንፉን ነገረን ከኣ ኣይገበርክን። እዚ ቐሊሉክስ፣ ብኹሉ መገድኺ ደኣ
ኻብኤን ገደድኪ። 48 ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ሶዶም ሓብትኺ ንሳን ኣዋልዳን፣
ከምቲ ንስኽን ደቅኽን ዝገበርክናኦ ኣይገበራን። 49 እንሆ፣ እቲ ኣበሳ ሶዶም ሓብትኺ እዚ ነበረ፣
ትዕቢትን ጽጋብ እንጌራን ትህኪትን ኣብኣን ኣብ ኣዋልዳን ነበረ፣ ግናኸ ኢድ እቲ ጭኑቕን ድኻን
ኣይደገፈትን። 50 ዕቡያት ነበራ፣ ኣብ ቅድመይ ከኣ ፍንፉን ነገር ገበራ፣ እዚ ምስ ርኤኹ ድማ
ኣጥፋእክወን። 51 ሰማርያስ ፍርቂ ሓጢኣትኪ እኳ ኣይገበረትን። ንስኺ ግና ጽያፍኪ ኻብኤን ኣብዛሕኪ፣
ብኵሉ እቲ ዝገበርክዮ ጽያፍኪውን ነሓትኪ ኣጽደቕክየን። 52 ንስኺ ኸኣ ነቲ ነሓትኪ ዝፈረድክሉ ነውሪ
ተሰከሚ። በቲ ኻብኤን ዚረክስ ዝገበርክዮ ሓጢኣትኪ ንሳተን ካባኺ ይጸድቃ። ነሓትኪ ኣጽዲቕክየን
ኢኺ እሞ፣ ሕፈሪ ነውርኺውን ጹሪ። 53-54 ነውርኺ ኽትጾሪ፣ በቲ ዝገበርክዮ ኹሉ ኸኣ ክትሐፍሪ፣ በዚ
ኸምዚ ድማ ከተጸናንዕየንሲ፣ ምርኮኤን፣ ምርኮ ሶዶምን ኣዋልዳን፣ ምርኮ ሰማርያን ኣዋልዳን፣ ምርኮ
እቶም ኣብ ማእከለን ዘለዉ ምሩኻትኪ ኽመልስ እየ። 55 ኣሓትኪ ሶዶምን ኣዋልዳን ናብቲ ናይ ቀደም
ሃለዋተን ኪምለሳ እየን፣ ሰማርያን ኣዋልዳን ናብቲ ናይ ቀደም ሃለዋተን ኪምለሳ እየን፣ ንስኽን
ኣዋልድክን ድማ ናብቲ ናይ ቀደም ሃለዋትክን ክትምለሳ ኢኽን። 56-57 ከምቲ በዋልድ ሶርያን ኣብ ከባቢኣ
ዘለዉ ኹሎምን፣ በተን ኣብ ኵሉ ወገን ዜነውራኺ ዝነበራ ኣዋልድ ፍልስጥኤማውያንን እተጸረፍክሉ
ጊዜ፣ ክፍኣትኪ ኸይተቐልዔ ኸሎ፣ በቲ መዓልቲ ኹርዓትኪ እታ ሓብትኺ ሶዶም ብኣፍኪ እኳ
ኣይተረቘሔትን። 58-59 እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ ኪዳን ብምፍራስኪ ማሕላ ዝነዐቕኪ ኢኺ፣ ኣነውን
ከምቲ ዝገበርክዮ ኽገብረኪ እየ፣ ይብል ኣሎ እሞ፣ ምንዝርናኽን ጽያፍክን ትጾሪ ኣሎኺ፣ ይብል

እግዚኣብሄር። 60 ኣነ ግና ነቲ ብዘመን ንእስነትኪ ምሳኺ ዝኣተኽዎ ኺዳን ክዝክሮ እየ፣ ዘለኣለማዊ
ኺዳን ከኣ ክጽንዓልኪ እየ። 61 ነሓትኪ፣ ነተን ካባኺ ዚዐብያን ዚንእሳን ኣሓትኪ፣ ክትቅበልየን ከሎኺ፣
ብኺዳንኪ ዘይኰነስ፣ ኣዋልድኪ ኪኾና ኽህበኪ ኸሎኹ፣ ሽዑ መገድኺ ኽትዝክርን ክትሐፍርን
ኢኺ። 62-63 ኵሉ እቲ ዝገበርክዮ ይቕረ ምስ በልኩልኪ፣ ንእኡ ዘኪርኪ ኽትህንኪ፣ ካብ ሕንኪ እተላዕለ
ኣፍኪ ኸቶ ኽይትኸፍትስ፣ ኪዳነይ ኼጽንዓልኪ እየ፣ ንስኺውን እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጢ
ኢኺ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 17

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናባይ መጸ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንቤት እስራኤል ሕንቅሕንቅሊቶይ
ንገሮም፣ ምስላውን መስለሎም። 3 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ተዛረብ፣ ገዚፍ
ዘኽናፉ፣ ነዊሕ ዝመንገብገቡ፣ ዓንጥዓንጦራይ ክንቲት ዝመልኦ ዓብዪ ንስሪ ኣብ ሊባኖስ መጺ እሞ
ርእሲ ጨንፈር እታ ኦም ጽሕዲ ወሰደ። 4 ነቲ ርእሲ ጨንፈራ ሰልዮ፣ ናብ ሃገር ነግዲ ወሰዶ፣ ኣብ ከተማ
ነጋዶ ኸኣ ኣንበሮ። 5 ካብታ ሃገር ድማ ጫለዳ ወሰደ፣ ኣብ ፍርያም ግራት ከኣ ተኸላ፣ ኣብ ጥቓ ብዙሕ
ማይ ድማ ከም ዕቦል ገይሩ ስፍራ ኣትሐዛ። 6 ንሳ ዐበየት፣ ጨንፍራ ናብኡ ዘበለ፣ ሱራ ኸኣ ኣብ ትሕቲኡ
ዝኾነ ሰፊሕ ዝሓረጋ፣ ሓጺር ዝጕንዳ ኦም ወይኒ ኾነት። በዚ ኸምዚ ጨንፈር እትጭንፍርን፣ ጠጥዒ
እትጥጥዕን ኦም ወይኒ ኾነት። 7 ገዚፍ ዝኽንፉ፣ ብዙሕ ዝኽንቲቱ ኻልእ ዓብዪ ንስሪ ነበረ። እንሃ ኸኣ፣
እዛ ኦም ወይኒ እዚኣ፣ ንሱ ማይ ኬስትያ ኢላ፣ ካብቲ እተተኽለቶ ቦታ ናብኡ ኣቢላ ሱራ ዘርግሔት፣
ሓረጋ ድማ ናብኡ ኣቢላ ኣውፈረት። 8 ጨናፍር ምእንቲ ኸተውጽእ፣ ፍረ ኸተፍሪ፣ ክብርቲ ኦም
ወይኒውን ክትከውንሲ፣ ኣብ ጽቡቕ ግራት ኣብ ጥቓ ብዙሕ ማይ ተተኺላ ነበረት። 9 በል ድማ፣
ክትልምዕዶ እያ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ምእንቲ ኽትነቅጽንሲ ሱራዶ ኣይኪምንቈስን፣ ፍሪኣኸ
ኣይኪቍረጽን እዩ እቲ ኻብኣ ዝጨብጨበ ዅሉ ቈጽልስ ኣይኪነቅጽን ድዩ ሱራ ንምምንቃስ ሓያል
ቅልጽምን ብዙሕ ህዝብን ኣየድልን እዩ። 10 እንሆ፣ ምትካልሲ ተተኺላ ኣላ፣ ክትልምዕዶ እሞ እያ ንፉስ
ምብራቕ ምስ ተንከያስ፣ ሓሸውሸው ኢላዶ ኣይክትነቅጽን እያ ኣብታ ዝበቘለትላ ቦታ ኽትነቅጽ እያ። 11
ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 12 እምብኣርሲ ነቲ ተጻራሪ ቤት፣ እዚ እንታይ ማለት
ምዃኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም በሎም። ንገሮም ከኣ፣ እንሆ፣ እቲ ንጉስ ባቢሎን ናብ የሩሳሌም መጸ፣
ንንጉስን መሳፍንትን ሒዙ ናብኡ ናብ ባቢሎን ማረኾም። 13-14 እታ መንግስቲ ኽትሐምቕ እሞ
ከይትትንስእ፣ ብምሕላው ኪዳና ኸኣ ምእንቲ ኽትቀውምሲ፣ ካብ ዘርኢ ቤት መንግስቲ ወሲዱ ምስኡ
ኺዳን ኣተወ ማሕላ ድማ ኣምሐሎ። ነቶም ኣውራታት እታ ሃገርን ምስኡ ወሰዶም። 15 ግናኸ ንሱ
ኻብኡ ዐለወ፣ ኣፍራስን ብዙሕ ህዝብን ኪህብዎ ልኡኻት ናብ ግብጺ ሰደደ። ኪሰልጦዶ እሞ እዩ ከምዚ
ዝበለ ዚገብርሲ ኼምልጥዶ እዩ ጠላም ኪዳንከ የምልጥዶ እዩ 16 ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፣ ኣብታ እቲ ንእኡ ዘንገሶ ዚነብረላ ዘሎ ቦታ፣ ናብቲ ማሕላኡ ዝጠለመሉ፣ ኪዳን ዘፍረሰሉ
ንጉስ፣ ምስኡ ኸይኑ፣ ኣብ ማእከል ባቢሎን ኣብኣ ኺመውት እዩ። 17 ብዙሕ ሰብ ኪቐትሉ ኢሎም ዕርዲ
ኺዐርዱን ግምቢ ኺሰርሑን ከለዉ፣ ፈርኦን ከኣ ምስቲ ብርቱዕ ሰራዊቱን ብዙሕ ህዝብን ኰይኑ ኣብ
ውግእ ኣይኪረድኦን እዩ። 18 ነቲ ኺዳን ብምፍራሱ ማሕላ ንዒቑ፣ ኢድ ጠቚዑስ እዚ ዅሉ ገይሩ እዩ
እሞ፣ ኣይኬምልጥን እዩ። 19 ስለዚ፤ ኣነ ህያው እየ፣ እቲ ዝነዐቖ ማሕላውን እቲ ዘፍረሶ ኺዳነይን
ብርግጽ ናብ ርእሱ ኸውርደሉ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 20 መርበበይ ክዝርግሓሉ እየ፣

ብመፈንጠራይ ከኣ ኪተሓዝ እዩ፣ ናብ ባቢሎን ድማ ክወስዶ፣ ኣብኡውን በቲ ንኣይ ዝዐመጸሉ ዓመጻ
ምስኡ ናብ ፍርዲ ኽኣቱ እየ። 21 ኵሎም ህዱማቱ ምስ ኵሎም ጭፍራኡ ብሰይፊ ኪወድቁ፣ እዮም
ዝተረፉ ኸኣ ኣብ ኵሉ ንፋሳት ኪዝረዉ እዮም። ኣነ እግዚኣብሄር ከም እተዛረብኩ ድማ ክትፈልጡ
ኢኹም። 22 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣነ ኸኣ ካብ ርእሲ እቲ ነዊሕ ጽሕዲ ወሲደ
ኸንብሮ እየ። ካብቲ ላዕላይ ጠጥዒ ሓንቲ ለውለው እትብል ሰሊዔ፣ ኣብ ክብ ዝበለ በሪኽ ከረን
ክተኽላ እየ። 23 ኣብቲ በሪኽ ከረን እስራኤል ክተኽላ እየ። ክትጭንፍርን ክትፈርን፣ ግሩም ዝኾነት
ጽሕዲውን ክትከውን እያ። ኵለን ኣዕዋፍን ክንፊ ዘለወን ዘበላን ኣብ ትሕቲኣ ኺነብራ፣ ኣብ ትሕቲ
ጽላል ጨናግራ ኪነብራ እየን። 24 ኵለን ኣእዋም መሮር ከኣ ነታ ነዋሕ ኦም ለጠቕ ዘበልኩ፣ ነታ ልምዕቲ
ኦም ዘንቀጽኩ፣ ነታ ንቕጽቲ ኦም ከኣ ዘጠጠዕኩ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ኺፈልጣ እየን። ኣነ
እግዚኣብሄር ተዛሪበ ኣሎኹ፣ ክገብሮ ድማ እየ።

## ምዕራፍ 18

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ስለምንታይ ኢኹም ኣብ ሃገር እስራኤል እዚ ምስላ
እዚ፣ ኣቦታት መጺጽ ዘቢብ በልዑ እሞ ነስናን እቶም ውሉድ ኰኸወ፣ ኢልኩም እትምስሉ 3 ኣነ ህያው
እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። እዚ ምስላ እዝስ ድሕርዚ ኣብ እስራኤል ኣይክትምስልዎን ኢኹም።
4 እንሆ፣ ኵለን ነፍሳት ናተይ እየን፣ ከምታ ነፍሲ እቲ ወላዲ ኸምኡውን ነፍሲ እቲ ውሉድ ናተይ እያ።
እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ ንሳ ኽትመውት እያ። 5 ጻድቕ ሰብ እንተሎ፣ ቅንዕናን ጽድቅን ከኣ እንተ
ገበረ፣ 6 ኣብ ኣኽራን እንተ ዘይበልዔ፣ ኣዒንቱ ድማ ናብቶም ጣኦታት ቤት እስራኤል ቍሊሕ እንተ
ዘይበላ፣ ሰበይቲ ብጻዩ እንተ ዘየራኸሰ፣ ኣብ ሰበይቲ ኸኣ ብጻግኒኣ እንተ ዘይቀረበ፣ 7 ንሓደ እኳ እንተ
ኣይገፍዔ፣ ንብዓል ዕዳ ታሕዚ እንተ መለሰሉ፣ ንሓደ እኳ እንተ ዘይዐመጸ፣ እንጌራኡ ንጥሙት እንተ
ሀበ፣ ንዕሩቕ ከኣ ክዳን እንተ ኸደነ፣ 8 እንተ ዘየኻዕበተን እንተ ዘየሕረጠን፣ ኢዱ ካብ ዓመጽ እንተ
ኸልከለ፣ ኣብ መንጎ ሰባት ከኣ ቅንዕና እንተ ፈረደ፣ 9 ብሕጋጋተይ እንተ ተመላለሰ፣ ጽድቂ እናገበረ
ፍርደይ እንተ ሐለወ፣ ንሱ ጻድቕ እዩ፣ ብርግጽ ብህይወት ኪነብር እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 10
ግናኸ ንሱ ዓምጺ፣ ከዓው ደም፣ ካብዚ ነገር እዚ ኸኣ ሃደ ግዛዕ ዚገብር ውሉድ እንተ ወለደ፣ 11 እዚ
ኹሉ ዘይገብር፣ ኣብ ኣኽራን ዚበልዕ፣ ሰበይቲ ብጻዩ ዜርክስ፣ 12 ንነዳይ ንድኻን ዚገፍዕ፣ መንዚዑ
ዚወስድ፣ ታሕዚ ዘይመልስ፣ ኣዒንቱ ናብ ጣኦታት ዝቔላሕታኤን፣ ፍንፉን ነገር ዚገብር፣ 13 ዜኻዕብትን
ዜሕርጥንሲ፣ ንሱዶ ብህይወት ኪነብር እዩ ያእ፣ ንሱ ኣይኪነብርን እዩ። እዚ ኹሉ ፍንፉን ነገር እዚ
ገይሩ እዩ እሞ፣ ሞት ኪመውት ደሙ ኸኣ ኣብ ርእሲ ከኸውን እዩ። 14 እንሆ ኸኣ፣ ንሱ ውሉድ እንተ
ወለደ፣ እሞ ኣቦኡ ዝገበሮ ኵሉ ሓጢኣት ዚርእን ዚፈርህን ከምኡ ዝበለውን ዘይገብር፣ 15 ኣብ ኣኽራን
ዘይበልዕ፣ ኣዒንቱ ድማ ናብ ጣኦታት ቤት እስራኤል ቍሊሕ ዘየብል፣ ሰበይቲ ብጻዩ ዘየርክስ፣ 16 ንሓደ
እኳ ዘይገፍዕ፣ ታሕዚ ዘይሕዝ፣ መንዚዑ ዘይወስድ፣ እንጌራኡ ንጥሙይ ዜብልዕ፣ ንዕሩቕውን ክዳን
ዚኸድን፣ 17 ንድኻ ኸይገፍዕ ኢዱ ዚመልስ፣ ሓረጣን ካዕበትን ዘይወስድ፣ ፍርደይ ዚገብር፣ ብሕገይ
ዚመላለስ፣ ንሱ ብህይወት ኪነብር እዩ እምበር፣ ብሰሪ ኣበሳ ኣቦኡ ኣይኪመውትን እዩ። 18 ኣቦኡ ዓመጸኛ
ስለ ዝነበረ፣ ንሓዉ መንዚዑ ስለ ዝጐድኤ፣ ኣብ ማእከል ህዝቡ ኸኣ ሰናይ ዘይኰነ ስለ ዝገበረ፣ እንሆ፣
ብኣበሳኡ ኺመውት እዩ። 19 ንስኻትኩምሲ፣ ስለምንታይ እዩ እቲ ወድስ ኣበሳ ኣቦኡ ዘይጸውር ትብሉ
ኣሎኹም፣ እቲ ወዲ፣ ቅንዕናን ጽድቅን ገይሩ ንኹሉ ሕጋጋተይ ሐልዩዎን ገይርዎን እዩ እሞ፣ ብርግጽ

ብህይወት ኪነብር እዩ። 20 እታ ሓጢኣት እትገብር ነፍሲ እያ እትመውት። ውሉድ ኣበሳ ወላዲኡ
ኣይኪጸውርን እዩ። ጽድቂ እቲ ጻድቕ ኣብ ርእሱ ኪኸውን እዩ። 21 ግናኸ እቲ ረሲእ ካብቲ ዝገበሮ ዅሉ
ሓጢኣት እንተ ተመለሰ፣ ፣ኵሉ ሕጋጋተይ ከኣ እንተ ሐለወ፣ ቅንዕናን ጽድቅን ድማ እንተ ገበረ፣ ንሱ
ብርግጽ ብህይወት ኪነብር፣ ኣይኪመውትን ከኣ እዩ። 22 ካብቲ ዝገሀሶ ምግሃስሲ ሓንቲ እኳ
ኣይክትዝከረሉን፣ በቲ ዝገበሮ ጽድቂ ብህይወት ኪነብር እዩ። 23 ንሞት ረሲእዶ እፈቱ እየ ፍታወይሲ
ካብ መገዱ ኺምለስ፣ ብህይወት ከኣ ኪነብርዶ ግዳ ኣይኰነን ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 24 እቲ
ጻድቕከ ኻብ ጽድቁ እንተ ተመልሰ፣ እንተ ኣበሰ እሞ ከምቲ ረሲእ ዚገብሮ ዅሉ ፍንፉን ነገር እንተ
ገበረስ፣ ብህይወትዶ ኺነብር እዩ ካብቲ ዝገበሮ ጽድቂ ሓንቲ እኳ ኣይክትዝከርን እያ። በቲ ዝጠለሞ
ጥልመትን በቲ ዝገበሮ ሓጢኣትን ኪመውት እዩ። 25 ንስኻትኩም ግና፣ መገዲ እግዚኣብሄር ቅኑዕ
ኣይኰነን፣ ትብሉ ኣሎኹም። እምብኣርሲ፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ስምዑ፣ ካንዶ መገደይ እዩ ዘይቕኑዕ
ዘይቕኑዕሲ መገድታትኩምዶ ግዳ ኣይኰነን 26 ጻድቕ ካብ ጽድቁ እንተ ተመልሰ እሞ፣ እንተ ኣበሰ ብእኡ
ኸኣ እንተ ሞተ፣ ብሰሪ እቲ ዝገበሮ ኣበሳኡ እዩ ዚመውት። 27 ግናኸ እቲ ረሲእ ካብቲ ዝገበሮ ረሲእነቱ
እንተ ተመልሰ፣ ቅንዕናን ጽድቅን ከኣ እንተ ገበረ፣ ንሱ ንነፍሱ ብህይወት ኬንብራ እዩ። 28 ካብ ኵሉ እቲ
ዝገበሮ ግህሰቱ ኣስተንቲኑ ስለ እተመልሰ፣ ንሱ ርግጽ ብህይወት ኪነብር፣ ኣይኪመውትን እዩ። 29 ግናኸ
ቤት እስራኤልሲ፣ መገዲ እግዚኣብሄር ኣይቕኑዕን እዩ፣ ይብሉ ኣለዉ። ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ካንዶ
መገድታተይ እዩ ዘይቕኑዕ ዘይቕኑዕሲ መገድታትኩምዶ ግዳ ኣይኰነን 30 ስለዚ፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣
ንነፍሲ ወከፍ ከከም መገድኹም ክፈርደኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ተመለሱ፣ ኣበሳኹም
መዓንቀፊ ኸይኰነኩምሲ፣ ካብ ኵሉ ግህሰትኩም ተመለሱ። 31 ነቲ ዝገሀስኩምዎ ግህሰት ካባኹም
ደርብዩ፣ ሓድሽ ልብን ሓድሽ መንፈስን ድማ ግበሩ። ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ስለምንታይ እትሞቱ 32
ኣነስ ሞት ኣደ እኳ ኣይፈቱን እየ እሞ፣ ተመለሱ ብህይወት ከኣ ንበሩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 19

1 ንስኻ ኸኣ ንመሳፍንቲ እስራኤል መልቀስ ኣልቅሰሎም፣ በል፣ ድማ፣ 2 ከመይ ኰን ኣዴኻ ኣንስተይቲ
ኣንበሳ ነበረት። ኣብ ማእከል ኣናብስ ተጋደመት፣ ኣብ ማከል ሸደናት ኣናብስ ንኹራኵራ ኣዕበየት። 3
ሓደ ካብቶም ኲራኵራ ኣዕበየት፣ ሸደን ኣንበሳ ኸኣ ኾነ፣ ምምንጣል ግዳይ ተማህረ፣ ሰብውን በልዔ። 4
ህዝብታት ብዛኣባኡ ሰምዑ፣ ኣብ ጕድጓዶም ከኣ ተታሕዘ፣ ሳንቃ ኣፍንጫ ገይሮም ናብ ሃገር ግብጺ
ወሰድዎ። 5 ትጽቢታ ኸንቱ ምዃኑ ምስ ረኣየት፣ ተስፋ ኸኣ ምስ ቀበጸት፣ ካብ ኲራኵራ ሓደ ኻልእ
ወሰደት፣ ሸደን ኣንበሳውን ገበረት። 6 ኣብ ማእከል ኣናብስ ተመላለሰ፣ ሸደን ኣንበሳ ኸኣ ኾነ፣
ምምንጣል ግዳይ ተማህረ፣ ሰብውን በልዔ። 7 ኣዳራሻቶም ገሰሰ፣ ከተማታቶም ኣዕነወ። እር ኢሉ ምስ
ጓዘመ’ ምድርን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን ራዕራዕ በለ። 8 ሽዑ ኻብቲ ኸባቢ ዘሎ ሃገራት ህዝብታት ኣኸተቱሉ፣
መርበቦም ዘርግሑሉ፣ ኣብ ጕድጓዶም ድማ ተታሕዘ። 9 ሳንቃ ገይሮም ኣብ ቈፎ ኣእተውዎ፣ ናብ ንጉስ
ባቢሎን ድማ ወሰድዎ። ድምጹ ኣብ ኣኽራን እስራኤል ድሕርዚ ኸይስማዕ፣ ኣብ ጽኑዕ እምባ
ኣቐመጥዎ። 10 ኣዴኻ ኸማኻ ኣብ ጥቓ ማያት እተተኽለት ኦም ወይኒ ነበረት። ብሳላ ብዝሒ ማያት
እትጭብጭብ ሓረግ ፈራይት ኦም ወይኑ ኾነት። 11 ንዘንጊ መንግስቲ ዚኸውን ድልዱል ጨንፈር
ኣውጽኤት፣ ጕንዳ ኣብ ማእከል ጽቡቕ ኣጽል ነውሔ። ነዋሕን ሓረግ ዝመልኣን ስለ ዝነበረት፣ እትርኤ
ኾነት። 12 ግናኸ ብቑጥዓ ተመንቈሰት፣ ኣብ ምድሪ ኸኣ ተደርበየት፣ ንፋስ ምብራቕ ድማ ፍሪኣ ኣንቀጾ።

ድልዱል ጨናፍራ ተሰብረን ነቐጻን፣ ሓዊውን በልዖ። [13] ሕጂ ኣብ ምድረ በዳ፣ ኣብ ደረቕ ምድሪ ኣጻምእ
ተተኺላ ኣላ። [14] ካብ ጨናፍራ ሓረጋ ሓዊ ወጸ፣ ፍሪኣ ኸኣ ሞዀ ኣበለ። ዛንጊ ገዛኢ ዚኸውን ድልዱል
ጨንፈር የብላን። እዚኣ ልቕሶ እያ፣ ከም ድጉዓ ትድጓዕ።

## ምዕራፍ 20

[1] ኰነ ኸኣ፣ ኣብታ ሳብዐይቲ ዓመት ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ ኣብቲ ሓምሳይ ወርሒ ሓያሎ ሰባት ካብ
ዓበይቲ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ኪጥይቑ መጺኦም ኣብ ቅድመይ ተቐመጡ። [2] ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ [3] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነቶም ዓበይቲ እስራኤል፣ ክትሐቱኒዶ መጺእኩም ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ብኣኻትኩም ኣይሕተትን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣
ኢልካ ንገሮም። [4] ክትፈርደሎም ዲኻ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ክትፈርደሎም ዲኻ፣ ጽያፍ ኣቦታቶም ኣፍልጦም።
[5] በሎምውን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ ንእስራኤል ዝሐሬኹላ መዓልቲ፣ ሽዑ
ንዘርኢ ቤት ያእቆብ ኢደይ ኣልዐልኩ፣ ኣብ ሃገር ግብጺ ድማ ተገለጽኩሎም። ኣነ እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም እየ፣ ኢለውን ኢደይ ኣልዐልኩሎም። [6] በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ ሃገር ግብጺ ኸውጽኦም፣
ናብታ ኣነ ዝሐሬኹሎም ጸባን መዓርን ዚውሕዛ፣ ካብ ኵለን ሃገራት እትበልጽ ሃገር ክእትዎም፣ ኢለ
ኢደይ ኣልዐልኩሎም። [7] ኣነ ኸኣ፣ ነፍሲ ወከፍኩም ጽያፍ ዓይኑ ይደርቢ፣ ብጣኦታት ግብጺ ድማ
ኣይትርከሱ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላክኩም እየ፣ በልክዎም። [8] ንሳቶም ግና ተጻረሩኒ፣ ምስማዔይ ከኣ
ኣበዩ፣ ነፍሲ ወከፎም ጽያፍ ዓይኑ ኣይደርበየን፣ ጣኦታት ግብጺውን ኣይሐደገን። ሽዑ ኣብ ማእከል
ሃገር ግብጺ ሃና ኹራይ ክወጸሎምሲ፣ ነደረይ ኣብ ልዕሊኦም ክኽዑ እየ፣ በልኩ። [9] ግናኸ እዚ ዝገበርዎስ
ምእንቲ ስመይ ኣብ ቅድሚ እቶም ኣብ ማእከሎም ዝነብሩ እሞ ኣነ ንኣታቶም ካብ ሃገር ግብጺ
ብምውጽኤይ ኣብ ቅድሚኦም እተፈለጥኩሎም ህዝብታት፣ ከይትሐስር ኢለ እየ ዝገበርክዎ። [10] ካብ
ሃገር ግብጺ ኸኣ ኣውጻእክዎም፣ ናብ በረኻውን ኣምጻእክዎም። [11] ሕጋጋተይ ሀብክዎም፣ ነቲ ሰብ እንተ
ገበሮ ብህይወት ዚነብረሉ፣ ፍርደይ ከኣ ኣፍለጥክዎም። [12] ኣብ ርእሲ እዚ ኸኣ እቲ ዚቕድሶም ኣነ
እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡስ፣ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎኦምን ትእምርቲ ምእንቲ ኪኾና ኢለ፣
ሰናብተይ ሀብክዎ። [13] ግናኸ ቤት እስራኤል ኣብ በረኻ ኸድዑኒ፣ ከም ትእዛዛተይ ኣይተመላለሱን። ነቲ፣
ሰብ እንተ ገበሮ ብህይወት ዚነብረሉ፣ ፍርደይ ከኣ ኣበይዎ፣ ንሰናብተይውን ኣዝዮም ኣርከስዎ። ሽዑ
ኣብቲ በረኻ ኸጥፍኦምሲ፣ ነድረይ ደኣ ክኽዕወሎም በልኩ። [14] ግናኸ ምእንቲ ስመይ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ
እቶም ኣብ ቅድሚኦም ዘውጻእክዎም ህዝብታት ከይትሐስር ኢለ እየ ዝገበርክዎ። [15-16] ልቦም
ንጣኦታቶም ስለ ዝሰዐበ፣ ፍርደይ ኣብዮም ከም ሕጋጋተይ ከኣ ኣይተመላለሱን፣ ሰናብተይ ድማ
ኣርኪሶም እዮም እሞ፣ ናብታ ዝሃብክዎም፣ ጸባን መዓርን እተውሕዝ ካብ ኵላተን ሃገራት ከኣ እትበልጽ
ሃገር ኣይከእትዎምን እየ ኢለ ኣብ በረኻ እኳ ኢደይ ኣልዐልኩሎም። [17] ግናኸ ዓይነይ ነሐፈቶም እሞ
ኣየጥፋእክዎምን፣ ኣብቲ በረኻ ጠሪሰ ኣይወዳእክዎምን። [18] ኣብ በረካ ኸኣ ንደቆም፣ ከምቲ ሕጋጋት
ኣቦታትኩም ኣይትመላለሱ፣ ፍርዶም ድማ ኣይትሐልዉ፣ ብጣኦታቶምውን ኣይትርከሱ፣ በልክዎም። [19]
ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም እየ፣ ከም ሕጋጋተይ ተመላለሱ፣ ፍርደይ ከኣ ሐልዉ ግበርዎውን። [20]
ንሰናብተይ ቀድሱ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ምዃነይ ክትፈልጡስ፣ ኣብ መንጎይን ኣብ
መንጎኹምን ትእምርቲ ኪኾና እየን። [21] ግናኸ እቶም ደቂ ኸድዑኒ፣ ከም ሕጋጋተይ ኣይተመላለሱን፣ ነቲ
ሰብ እንተ ገበሮ ብህይወት ዚነብረሉ፣ ፍርደይ ኪገብርዎ ኢሎም ኣይሐለውዎን፣ ንሰናብተይውን

ኣርከሱ። ሽዑ ኣብቲ በረኻ ሃና ቑጥዓይ ከውጽሎም ነድረይውን ክኸዕወሎም እየ፣ በልኩ። 22 ኣነ ግና
ኢደይ መለስኩ፣ ምእንቲ ስመይ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ እቶም ኣብ ቅድሚኦም ዘውጻእክዎም ህዝብታት፣
ከይትሐስር ኢለ እየ ዝገበርክዎ። 23-24 ሕጋጋተይ ኣበዩ፣ ንሰናብተይ ኣርከሱ፣ ኣዒንቶም ንጣኦታት
ኣቦታቶም ሰዐባ እምበር፣ ፍርደይ ኣይገበሩን እዮም እሞ፣ ኣነ ኣብ ህዝብታት ፋሕ ከብሎም፣ ናብ
ሃገራት ክዘርዎም እየ ኢለ፣ ኣብቲ በረኻ እኳ ኢደይ ኣልዐልኩሎም። 25 ምስናይ እዚ ኣነውን ጽቡቕ
ዘይኮነ ትእዛዛት፣ ብህይወት ኪነብሩሉ ዘይከኣሎም ፍርድታት ሀብክዎም። 26 ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ
ምእንቲ ኺፈልጡስ፣ ከባድሞም ኢለ፣ በቲ ማሕጸን ኣዲኡ ዝኸፈተ ዅሉ ብሓዊ ዘሕለፍዎ መባኦም
ገይረ ኣርከስክዎም። 27 ስለዚ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንቤት እስራኤል፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ኢልካ ንገሮም፣ በዚ ድማ ኣቦታትኩም ንኣይ ብምጥላሞም ጸረፉኒ። 28 ናብታ ኽህቦም እየ ኢለ ኢደይ
ዘልዐልኩላ ሃገር ምስ ኣእቶኽዎም፣ ኣብኡ ንዅሉ በሪኽ ኵርባን ንዅሉ ልሙዕ ኦምን ጠመቱ፣
መስዋእቶም ድማ ኣብኡ ሰውኡ፣ ኣብኡ ኸኣ ዜኹሪ መባእ ኣቕረቡ፣ ኣብኡ ድማ ጥዑም መኣዛኦም
ዐጠኑ፣ ኣብኡውን መስዋእቲ መስቲኦም ከዐዉ። 29 ኣነ ኸኣ፣ እዚ ናብኡ እትኸድዎ ዘሎኹም በሪኽ
እንታይ እዩ በልክዎም። በዚ ኸምዚ ስሙ ኽሳዕ ሎሚ ባማ ይሰምይዎ ኣለዉ። 30 ስለዚ ንቤት
እስራኤል፣ እግዚኣብሄር ኣምላክ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮም፣ ንስኻትኩም ከም መገዲ
ኣቦታትኩም እናኸድኩም ረኺስኩም፣ ነቲ ፍንፉን ነገሮም እናሰዐብኩም ዘሞኹም። 31 መባእኩም
ከተቕርቡ ውሉድኩም ድማ ብሓዊ ኽተሕልፉ ኸሎኹም፣ ክሳዕ ሎሚ ብዅሉ ጣኦታትኩም ትረኽሱ
ኣሎኹም። ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እሞኸ ኣነዶ ብኣኻትኩም ክሕተት እየ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ብኣኻትኩም ኣይክሕተትን እየ። 32 ንሕና፣ ከምቶም ህዝብታትን ዓሌታት
ሃገራትን፣ ንዕጭን እምንን ከነምልኽ፣ ኢልኩም ኣብ ሓሳብኩም ጠብላሕ ዚብለኩም ከቶ ኣይኪኸውንን
እዩ። 33 ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ብብርቱዕ ኢድን ብእተዘርግሔት ቅልጽምን
ብእተኻዕወ ነድርን ርግጽ ክነግሰኩም እየ። 34 ብብርቱዕ ኢድን ብእተዘርግሔት ቅልጽምን ብእተኻዕወ
ነድርን ካብቶም ህዝብታት ከውጽኣኩም እየ። 35 ናብ በረኻ ህዝብታት ከኣ ክወስደኩም፣ ኣብኡውን ገጽ
ንገጽ ናብ ፍርዲ ክንኣቱ ኢና። 36 ከምቲ ምስ ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ ሃገር ግብጺ እተፋረድኩ፣ ከምኡ
ድማ ምሳኻትኩም ክፋራረድ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 37 ብትሕቲ በትረይ ከሕልፈኩም፣ ናብ
መኣሰር ኪዳን ከኣ ከእትወኩም እየ። 38 ነቶም ካባይ ዝዐለዉን ዝኸድዑን ካባኻትኩም ክፈልዮም ካብቲ
ዓና ኾይኖምዎ ዘለዉ ሃገር ከኣ ከውጽኦም እየ። ግናኸ ናብ ሃገር እስራኤልሲ ኣይኪኣትዉን እዮም።
ንስኻትኩም ድማ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 39 ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ምስማዕ ካብ ኣቤኹምንስ፣ ኪዱ ነፍሲ ወከፍኩም ንጣኦታትኩም
ኣምልኹ። ድሕርዚ ግና ንቅዱስ ስመይ ብመባእኩምን ብጣኦታትኩምን ኣይከተርክስዎን ኢኹም። 40
ኣብቲ ቅዱስ ከረነይ፣ ኣብቲ በሪኽ ከረን እስራኤል፣ ቤት እስራኤል ዘበሉ ዅሎም ኣብታ ሃገር
ኬምልኹኒ እዮም። ኣብኡ ተሐጒሰ ክቕበሎም እየ፣ ኣብኡውን ንመስዋእትኹምን ነቲ ነገርኩም ክደልዮ
እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 41 ካብ ህዝብታት ምስ ኣውጻእኩኹም፣ ካብቲ ፋሕ ኢልኩምዎ
ዝነበርኩም ሃገራት ድማ ምስ ኣከብኩኹም፣ ከም ምኡዝ ሽታ ብኣኻትኩም ባህ ክብል፣ ኣብ ቅድሚ
ዓይኒ እቶም ህዝብታት ከኣ ብኣኻትኩም ክቕደስ እየ። 42 ንስኻትኩምውን፣ ናብ ሃገር እስራኤል፣ ናብቲ
ነቦታትኩም ክህቦም እየ ኢለ ኢደይ ዘልዐልኩሉ ሃገር ምስ ኣእቶኹኹም፣ እግዚኣብሄር ምዃነይ
ክትፈልጡ ኢኹም። 43 ኣብኡ ኸኣ ንመገድታትኩምን ነቲ ዝረኸስኩምሉ ግብርኹምን ክትዝክሩ
ኢኹም፣ በቲ ዝገበርክምዎ ዘበለ ዅሉ እከይ ድማ ነፍስኹም ኬስካሕክሕ እዩ። 44 ኣቱም ቤት እስራኤል፣

ከምቲ እኩይ መገድኹምን ከምቲ ብልሽዊ ግብርኹምን ዘይኰነስ፣ ምእንቲ ስመይ ኢለ ምስ
ገበርኩልኩም፣ ሽው ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [45]
ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ [46] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ደቡብ ኣቢልካ ምለስ፣ ናብ
ደቡብ ከኣ ቃልካ ኣንጠብጥብ፣ ነቲ ኣብ ደቡብ ዘሎ ዱር መሮር ድማ ተነበየሉ። [47] ነቲ ዱር ደቡብ ከኣ፣
ቃል እግዚኣብሄር ስማዕ፣ ኢልካ ንገሮ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ ኣባኻ ሓዊ
ኽኣጕድ እየ፣ ነተን ኣባኻ ዘለዋ ኹለን ጥሉላት ኣእዋምን ንኹሉ ንቑጻት ኣእዋምን ሞኹ ኬብለን እዩ።
እቲ ነዳዲ ሃልሃልታ ድማ ኣይኪጠፍእን፣ ካብ ደቡብ ክሳዕ ሰሜን ከኣ ኵሉ ገጽ ብእኡ ኺነድድ እዩ። [48]
ኵሉ ስጋውን፣ እቲ ዝኣጐዶስ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ፣ ኪርኢ እዩ። ኣይኪጠፍእን እዩ። [49] ሽው
ኣነ፣ ኣየ፣ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንሳቶም ብዛዕባይ፣ እዝስ ምስላታት እዩ ዚምስል፣ ይብሉ ኣለዉ፣
በልኩ።

# ምዕራፍ 21

[1] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ የሩሳሌም ኣቢልካ ምለስ፣
ቃልካ ኸኣ ናብቲ ቕዱስ ስፍራታት ኣንጠብጥብ፣ ንሃገር እስራኤል ከኣ ኣንጻር ተነበየሉ። [3] ነታ ሃገር
እስራኤል፣ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገራ፣ እኔኹ ኣንጻርኪ እየ፣ ሰይፈይ ከኣ ካብ ሰገባኡ
ኽመልሖ ካባኺውን ጻድቃንን ረሲኣንን ከጥፍእ እየ። [4] ንጻድቃንን ረሲኣንን ካባኺ ኽጥፍኦም እየ እሞ፣
ስለዚ ንኹሉ ስጋ ኽወቕዕ ካብ ደብብ ክሳዕ ሰሜን ሰይፈይ ካብ ሰገባኡ ኺምላሕ እዩ። [5] ስጋ ዘበሉ
ኹሎም ከኣ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ሰይፈይ ካብ ሰገባኡ ኽም ዝመላሕኩ፣ ኪፈልጡ እዮም፣ ኣይኪምለስን
ድማ እዩ። [6] ስለዚ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ቈዝም፣ ብምስባር ሓቛቝኻ፣ ብመሪር ቃንዛ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም
ቈዝም። [7] ኪኸውን ከኣ እዩ፣ እንታይ ኴንካ ትቝዝም ኢሎም እንተ ሐተቱኻ፣ ንስኻ፣ በቲ ዚመጽእ ወረ
ኹሉ ልቢ ኺመክኽ፣ ኵለን ኣእዳው ድማ ወለል ኪብላ፣ ኵሉ መንፈስ ከኣ ኪሕለል፣ ኵሉ ኣብራኽውን
ከም ማይ ኪፈስስ እዩ፣ ኢልካ ምለሰሎም። እንሆ፣ ይመጽእ ኣሎ፣ ኪፍጸም ድማ እዩ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [8] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ [9] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ተነበ በልውን፣
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሰይፊ፣ ሰይፊ በሊሑን ተወልዊሉን ኣሎ በል። [10] ምእንቲ ኺሐርድ
በሊሑ፣ ምእንቲ ማሕማሕ ኪብል ተወልዊሉ። እምብኣርሲ ብእኡዶ ክንሕጐስ ኢና በትሪ ወደይ
ንኹለን ኣዕጻው ትንዕቀን ኣላ። [11] ብኢድ ምእንቲ ኪተሐዝ፣ ኪውልወል ሀቦ። እቲ ሰይፊ ናብ ኢድ
ቀታሊ ምእንቲ ኺውሃብ፣ ተሳሒለን ተወልወለን። [12] ኣታ ወዲ ሰብ፣ እዚ ኣብ ህዝበይን ኣብ ኵሎም
መሳፍንቲ እስራኤልን ኪኸውን እዩ እሞ፣ ጨርሕ፣ ዋይዋይ ከኣ በል። ምስ ህዝበይ ንኣደዳ ሰይፊ
ተዋሂቦም እዮም፣ ስለዚ ሰለፍካ ውቓዕ። [13] ምዕዛብ መጺ፣ እታ እትንዕቕ በትሪ እኳ ኻብ ዘይትህሉስ፣
እንታይ ደኣ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [14] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ተነበ በእዳውካ ኸኣ ኣጣቕዕ። እቲ
ሰይፊ ሰለስተ ጊዜ ይካዕበት፣ እቲ ሰይፊ ናይቶም ክሳዕ ሞት ዚቘሰሉ፣ እቲ ሰይፊ ናይቲ ኽሳዕ ሞት
ዝቘሰለ ዓብዪ እዩ ናብ ቤቶም ዚኣቱ። [15] ልቦም ምእንቲ ኺመክኽ፣ ዕንቅፋቶም ከኣ ኪበዝሕሲ፣ ኣንፈ
ሰይፊ ናብ ኵሉ ኣፍ ደጌታቶም ኣቢለ ኣንበርኩ። ኣየ፣ ከም በርቂ መስመስ ይብል፣ ኪሐርዱሉ ኸኣ
ተሳሒሉ ኣሎ። [16] ስሕለትካ ናብ ዘበሎ ተዳሊኻ ንየማን ወይስ ንጸጋም ኪድ። [17] ኣነ ድማ ኣእዳወይ
ከጣቕዕ፣ ሃና ነድረይውን ከውጽእ እየ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ ተዛሪበዮ ዘሎኹ። [18] መሊሱውን ከምዚ
ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [19] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ሰይፊ ንጉስ ባቢሎን ዚሐልፈለን ክልተ መገዲ ንኣኻ

ግበር፣ ክልቴኤን ካብ ሓደ ሃገር ይውጽኣ። መሓበርታ ኸኣ ግበር፣ ኣብ ርእሲ እታ ናይታ ኸተማ መገዲ
ግበሮ። [20] ሰይፊ ናብ ራባት ናይ ደቂ ዓሞን፣ ናብ ይሁዳ ኸኣ ናብታ ዕርድቲ የሩሳሌም ኪመጽእስ፣ መገዲ
ኸትገብር ኢኻ። [21] እቲ ንጉስ ባቢሎን ምእንቲ ኸጥንቍል፣ ኣብታ ቓራና መገዲ፣ ኣብ ርእሲ ኽልቲኤን
መገዲ ደው ኢሉ ኣሎ፣ ፍላጻታት የነኒ፣ ንጣኦታት ቤት ይጥይቕ፣ ከብዲ ይጥምት ኣሎ። [22] ኣብኡ
መፍረስ ዕርዲ ኺትክል፣ ንዘመራ ውግእ ኣፉ ኪኸፍት፣ ንሆይታ ውግእ ዓው ኢሉ ኺጭድር፣ ኣብ
መንጽር ደጌታት ከኣ መፍረስ ዕርዲ ኪቕውም፣ ሓመድ ኵዒቱውን ዕርዲ ኺነድቕሲ፣ ኣብ የማነይቱ ናብ
የሩሳሌም እተመልከተ ዕጭ ኣላቶ። [23] ማሕላ ምሒሎም ክነሶምሲ፣ እዚ ጠንቈላ እዚ ሓሶት ኰይኑ
ኺረኣዮም እዩ። ንሱ ግና፣ ምእንቲ ኺተሓዙ፣ ኣበሳኦም ኬዘክር እዩ። [24] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣
ገበንኩም ተቐሊዑ፣ ሓጢኣትኩም ብዅሉ ግብርኹም ብምርኣዩ፣ ኣበሳኹም ስለ ዘዘከረኩም፣
ዝኽርኹም ተዘኪሩ እዩ እሞ፣ ስለዚ ብሓያል ኢድ ክትተሓዙ ኢኹም፣ ይብል ኣሎ። [25] ኣታ በዚ ኣበሳ
ዚፍጸመሉ ጊዜ መዓልትኻ ዝበጽሔ ርኹስ ረሲእ መስፍን እስራኤል፣ [26] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ዘውዲ ቐንጥጥ፣ ኣኽሊል ኣውጽእ። እዝስ ከምዚ ዘለዎ ዀይኑ ኣይኪነብርን እዩ። እቲ
እተዋረደ ልዕል ይበል፣ እቲ ልዕል ዝበለ ኸኣ ይዋረድ። [27] ጥፍኣት፣ ጥፍኣት፣ ጥፍኣት ካባይ ኪመጻ እዩ።
እቲ ኣነ ንእኡ ዝህቦ በዓል ፍርዲ ኽሳዕ ዚመጽእ፣ እዚ ኸኣ ኣይኪነብርን እዩ። [28-29] ንስኻ ድማ፣ ኣታ
ወዲ ሰብ፣ ተነበ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብዛዕባ ደቂ ዓሞንን ብዛዕባ ጸርፎምን ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ
ንገር በልውን፣ ኣብ ልዕሊ ኽሳድ እቶም በዚ ኣበሳ ዚፍጸመሉ ጊዜ መዓልቶም ዝበጽሔ ቕቱላት ረሲኣን
ኬንብሩኽስ፣ ከንቱነት ኪርእዩልኪ፣ ጠንቈላ ሓሶት ከኣ ኪናገሩልኪ ኸለዉ፣ ሰይፊ፣ ሰይፊ ተመሊሑ
ኣሎ። ኪሐርድን ኪጒምምን መስመስ ኪብልን ተወልዊሉ ኣሎ። [30] ናብ ሰገባኡ ኸተቶ፣ ኣብታ
እተፈጠርካላ ቦታ፣ ኣብታ እተወለድካላ ሃገር ክፈርደካ እየ። [31] ኵራይ ኣብ ልዕሌኻ ክኽዕዎ፣ ሓዊ ነድረይ
ድማ ኡፍ ክብለልካ፣ ናብ ኢድ እቶም ከም ኣራዊት ዝበሉ፣ ምጥፋእ ዝተግባሮም ሰባት ክውፍየካ እየ።
[32] ብልዒ ሓዊ ክትከውን ኢኻ፣ ደምካ ኣብ ማእከል ሃገር ኪክዖ እዩ። ኣነ እግዚኣብሄር ተዛሪበ እየ እሞ፣
ዚዝክረካ የልቦን።

## ምዕራፍ 22

[1] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ክትፈርድዶ ኢኻ ነዛ ኸተማ ደምዶ
ክትፈርዳ ኢኻ እምብኣርስ ኵሉ ጽያፉ ኣፍልጣ። [3] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎውን በል፣
ጊዜኣ ምእንቲ ኪበጽሕ፣ ኣብ ማእከላ ደም እትኽዑ፣ ንርእሳ ኸተርክስ ከኣ ጣኦታት እትገብር ከተማ
እያ። [4] በቲ ዝኽዖኽዮ ደምኪ፣ በት ዝገበርክዮ ጣኦታት ድማ ረኺስኪ። መዓልትታትኪ ኣቕረብኪ፣
ዓመታትኪውን ኣሕጸርኪ። ስለዚ ንህዝብታት መጻረፊ፣ ንዅሉ ሃገራት ከኣ መላገጺ ገበርኩኺ። [5] ኣቲ
ርኹስ ዝወሬኺ፣ ዕግርግር ዝመልኣኪ ዝቐረቡኽን ዝረሓቕኽን ኬላግጹልኪ እዮም። [6] እንሆ፣ እቶም
መሳፍንቲ እስራኤል፣ ነፍሲ ወከፍ ከከም ሓይሉ፣ ደም ንምፍሳስ ኣባኺ ነበሩ። [7] ኣባኺ ነቦን ነደን ነዐቑ፣
ኣብ ማእከልኪ ንመጻእተኛ ገፍዑ፣ ኣባኺ ንዘኽታምን ንመበለትን ጨቈኑ። [8] ነቲ ናተይ ቅዱስ ነገራት
ነዐቕኪ፣ ንሰናብተይ ኣርከስኪ። [9] ንምፍሳስ ደም ኣባኺ ሓመይቲ ነበሩ፣ ኣባኺ ኣብቶም ኣኽራን በልዑ፣
ኣብ ማእከልኪ ኸኣ ሕሰም ገበሩ። [10] ኣባኺ ሓፍረት ኣቦ ገለጹ፣ ኣባኺ ሰበይቲ በቲ ጊዜ ደም መርገማ
ኣዋረዱ። [11] ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ብጻዩ ርኽሰት ገበረ፣ ሓደ ድማ ንሰበይቲ ወዱ ኣርከሰ፣ ሓደኻልእውን
ኣባኺ ንሓብቱ ጋል ኣቦኡ ኣነወረ። [12] ደም ምእንቲ ኼፍስሱ፣ ኣባኺ ደርሆ ተቐበሉ፣ ኣኻዕበትከን

ኣሕረጥክን፣ ብዓመጽ ካብ ብጻይኪ ረባሕኪ፣ ንኣይውን ረሲዕኪ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 13 እንሆ
እምብኣር፣ በቲ ብዘይ ቅንዕና ዝረባሕክዮን በቲ ኣብ ማእከልኪ ዝኸዶኽዮ ደምን ኢደይ ኣጣቓዕኩ። 14
በታ ግብረይ ኣባኺ ዝገብረላ መዓልትስ ልብኺዶ ኪቐውም ወይስ ኣእዳውኪ ኺጸንዓ እየን: ኣነ
እግዚኣብሄር እየ እተዛረብኩ እሞ ክገብሮ እየ። 15 ኣነ ኣብ ማእከል ህዝብታት ፋሕ ከብለኪ፣ ናብ ሃገራት
ከኣ ክዘርወኪ፣ ርስሓትኪውን ካባኺ ኽጥፍኦ እየ። 16 ብሰሪ ርእስኺ ኣብ ቅድሚ ህዝብታት ክትረኽሲ፣
ኣነ እግዚኣብሄር ምኻነይ ከኣ ክትፈልጢ ኢኺ። 17 ከምዚ ዚብል ቃልእግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 18 ኣታ
ወዲ ሰብ፣ እቶም ቤት እስራኤል ሓርኢ ሓጺን ኰኑኒ፣ ኣብ ማእከል እቶን ከኣ ኵላቶም ኣስራዝን
ቈርቈሮን ሓጺንን ዓረርን እዮም። ሓተላ ብሩር ኰኑ። 19 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ኵላትኩም ሓርኢ ሓጺን ኢኹም እሞ፣ ስለዚ እንሆ፣ ኣብ ማእከል የሩሳሌም ክእከበኩም እየ። 20 ከምቲ
ኪመክኽ ኢሎም፣ ሓዊ ምእንቲ ኺነፍሑሉ፣ ንብሩርን ኣስራዝን ሓጺንን ዓረርን ቈርቈሮን ኣብ ማእከል
እቶን ዚእከብዎ፣ ከምኡ ኸኣ ብቝጥዓይን ብነድረይን ክእከበኩምን ኣብኡ ኸእትወኩምን ከምክኽኩምን
እየ። 21 ክእከበኩም ሓዊ ነድረይ ድማ ክነፍሓልኩም እየ። ኣብ ማእከልውን ክትመኩ ኢኹም። 22 ከምቲ
ብሩር ኣብ ማእከል እቶን ዚመክኽ፣ ከምኡ ኣብ ማእከል ኽትመኩ ኢኹም። ንስኻትኩምውን፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ነድረይ ኣብ ልዕሌኹም ከም ዘፍሰስኩ፣ ክትፈልጡ ኢኹም። 23 ከምዚ ዚብል
ቃልእግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 24 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንእኣ፣ ንስኺ ዘይጸረኺ፣ ብመዓልቲ ኵራውን ዝናም
ዘይዘነመኪ ሃገር ኢኺ፣ ኢልካ ንገራ። 25 ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ነብያት ተማሓሒሎም ኣለዉ፣ ከምቲ
ንግዳይ ሰላሊዑ ዚጓዝም ዝንበሳ፣ ነፍሳት ወሓጡ፣ መዝገብን ክቡር ነገርን ወሰዱ፣ ኣብ ማእከላውን
መበላሉ ኣብዝሑ። 26 ካህናታ ሕገይ ኣፍረሱ፣ ነቲ ናተይ ቅዱስ ነገራት ኣርከሱ፣ ነቲ ቅዱስ ካብቲ
ዘይቅዱስ ኣይፈለዩን፣ ኣብ መንጎ ርኹስን ንጹህን ዘሎ ልዩነት ኣየፍለጡን፣ ካብ ሰናብተይ ኣዒንቶም
ዐመቱ፣ ኣነውን ኣብ ማእከሎም ረኺስኩ። 27 መሳፍንታ ኣብ ውሽጣ፣ ብዘይ ቅንዕና ኺረብሑስ፣ ደም
እናፍሰሱ፣ ነፍሳት እናጥፍኡ፣ ከምቶም ንግዳይ ዚሰላልዑ ተዂሉ እዮም። 28 ነብያት፣ ከንቱነት እናረኣዩ፣
ሓሶት እናጠቈሉሎም፣ እግዚኣብሄር ዘይተዛረቦስ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እናበሉ
ብዘይጠቅም ጸብሪ ለቕለቑሎም። 29 እቲ ህዝቢ እታ ሃገር ዐመጸ፣ ከተረ፣ ንሸጉርን ድኻን ገፍዔ፣
ንመጻእተኛውን ኣጨነቐ። 30 ኣነ ኸየጥፋኣስ፣ ነቲ ቐጽሪ ዜጣጥእ ምእንቲ እታ ሃገርውን ኣብ ቅድመይ
ኣብቲ ምንቃዕ ዚቐውም፣ ኣብ ማእከሎም ሓደ ሰብኣይ ደሌኹ፣ ግናኸ ሓደ እኳ ኣይረኸብኩን። 31 ስለዚ
ኸኣ ኵራይ ኣብ ልዕሊኦም ኣፍሰስኩ፣ ብሓዊ ነድረይ ኣጥፋእክዎም፣ መገዶም ኣብ ልዕሊ ርእሶም
መለስኩሎም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 23

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ክልተ ኣንስቲ፣ ሓንቲ ዘዲኤን ኣዋልድ፣
ነበራ። 3 እዚኣተን ኣብ ግብጺ ኣመንዘራ፣ ኣጥባተን ተጸቕጠ፣ እቲ ድንግል ሕጽነን ኣብኡ ተደርቀቐ። 4
ኣስማተን ከኣ፣ እታ ዓባይ ኦሆላ፣ እታ ሓብታ ድማ ኦሆሊባ ይበሀላ ነበራ። ናተይ ኰና፣ ኣወዳትን
ኣዋልድን ድማ ወለዳ። ስማተን ከኣ ኦሆላ ሰማርያ እያ፣ ኦሆሊባ ድማ የሩሳሌም እያ። 5 ኦሆላ ኸኣ ናተይ
ከላስ ዘመወት። ፍትወታ ኣብቶም ፈተውታ ኣብ ኣሶራውያን ጐረባብታ ኾነ። 6 ንሳቶም ሰማያዊ ሃሪ
እተኸድኑ መሳፍንትን መኳንንትን፣ ኵላቶምውን መልከዔኛታት ኣባጽሕ፣ ኣብ ኣፍራስ ዚቐመጡ
ፈረሰኛታት ነበሩ። 7 ምስ ኵላቶም ሕሩያት ኣወዳት ኣሶር ከኣ ኣመንዘረት፣ ፍትወት ኣብ እተላዕላ ምስ

ኵሎም ጣኦታቶም ድማ ረኽሰት። 8 ምስናይ እዚ ኸኣ ነቲ ምስቶም፣ ብኣላ ኸኣ፣ ምስኣ ዝደቀሱን ድንግል
ሕጽና ዝደርቀቑን ዝሙቶም ዝኸዐዉላን ግብጻውያን ምዝማዋ ኣይሐደገትን። 9 ስለዚ ኣብ ኢድ እቶም
ፈተውታ፣ ብፍትወት ምሳታቶም ነዲዳ ዝነበረት፣ ኣብ ኢድ ኣወዳት ኣሶር መጠኽዋ። 10 ንሳቶም ከኣ
ዕርቃና ቀልዑ፣ ነወዳታን ነዋልዳን ማረኽዎም፣ ንእኣ ድማ ብሰይፊ ቀተልዋ። ኣብ ማእከል ኣንስቲ ኽፉእ
ስም ወጸ፣ ኣብ ልዕሊኣውን ፍርዲ ተፈርደ። 11 ኦሆሊባ ሓብታ ኸኣ እዚ ረኣየት፣ ብፍትወታ ኻብኣ
ገደደት፣ ምንዝርንኣ ድማ ካብ ምንዝርና ሓብታ በዝሔ። 12 ምስቶም ጐረባብታ ደቂ ኣሶር፣ መሳፍንትን፣
ዜሐብን ክዳውንቲ እተኸድኑ፣ ኣብ ኣፍራስ ኣተቐመጡ ፈረሰኛታት፣ ኵሎም መልክዔኛታት ኣባጽሕ፣
ብፍትወት ነደደት። 13 ንሳውን ከም ዝረኸሰት ርኤኹ፣ ክልቲኤን ሓደ መገዲ ኸዳ። 14 ንሳ ግና
ብምንዝርንኣ ሓለፍ በለት፣ ኣብ መንደቕ ከኣ ስእሊ ሰብኡት፣ ምስሊ ከለዳውያን ብቐይሕ ቀለም
ተሳኢሉ። 15 ቅናት ኣብ ሕቕኦም ተዐጢቖም፣ ገፊሕ መጠምጠምያ ኸኣ ኣብ ርእሶም፣ ኵላቶም
መኳንንቲ፣ ኣብታ እተወልዱላ ሃገር ከለዳውያን ምስሊ ደቂ ባቢሎን ዚመስሉ ረኣየት። 16 በዒንታ ምስ
ረኣየቶም ኣባታቶም ብፍትወት ነደደት፣ ናብ ሃገር ከለዳውያን ድማ ልኡኽ ለኣኸትሎም። 17 ደቂ ባቢሎን
ከኣ ናብኣ መጹ ምስኣ ብፍትወት ደቀሱ፣ ብምንዝርናኦም ድማ ኣርከስዋ። ብኣታቶም ምስ ረኸሰት፣
ነፍሳ ኻብኦም ኣግለሰት። 18 ዝሙታ ምስ ገለጸት፣ ዕርቃና ምስ ቀልዔት፣ ከምቲ ነፍሰይ ካብ ሓብታ
ዘግለሰት፣ ካብኣ ድማ ነፍሰይ ኣግለሰት። 19 ግናኸ ብዘመን ንእስነታ ኣብ ሃገር ግብጺ ዘመንዘረቶ
ዘኪራስ፣ ምንዝርንኣ ኣብዝሔት። 20 ምስቶም ዘመውቲ፣ ስጋኦም ከም ናይ ኣድጊ ስጋ፣ ዘርኦም ከም ዘርኢ
ኣፍራስ ዝኾነ ኸኣ፣ ብፍትወት ነደደት። 21 ከምኡ፣ እቶም ግብጻውያን ኣጥባት ጕርዝነት ከሎኺ
ዝደርቀቑኺ፣ ርኽሰት ንእስነትኪ ዘከርኪ። 22 ስለዚ ኣቲ ኦሆሊባ፣ ኣግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ እንሆ፣ ኣነ ነቶም ነፍስኺ ኻባታቶም ዘግለሰት ፈተውትኺ ኸተንስኣልኪ እየ። ኪጻረሩኺ ኸኣ ካብ
ኵሉ ወገን ከምጽኦም እየ። 23 ባቢሎናውያንን ኵሎም ከለዳውያንን ጴኮድን ሾዓን ቆዓን፣ ምስኦም ከኣ
ኵሎም ኣሶራውያንን፣ መልክዔኛታት ኣባጽሕ፣ መሳፍንትን መኳንንትን ኵላቶም ኣብ ኣፍራስ እተቐመጥ
ሓላቑን ውሩያትን፣ 24 ንሳቶም ኣጽዋርን ሰረገላታትን መንኰራዅርን ሒዞም፣ ምስ ብዙሕ ከተቴ
ህዝብታት ኪጻረሩኺ ኺመጹ እዮም። ገለብን ዋልታን ቍራዕ ርእስን ሒዞም ብዙርያኺ ኺቃወሙኺ
እዮም። ኣነ ኸኣ ፍርዲ ኽህቦም እየ፣ ንሳቶምውን ከም ፍርዶም ኪፈርዱኺ እዮም። 25 ቅንኣተይ
ከውርደልኪ እየ፣ንሳቶም ከኣ ብነድሪ ኺመዐቱኺ እዮም። ኣፍንጫኽን ኣእዛንክን ኪቘርጹ እዮም፣ እቲ
ኻባኺ ዚተርፍ ድማ ብሰይፊ ኺወድቕ እዩ። ነወዳትክን ነዋልድክን ኪማርኽዎም፣ እቲ ኻባኺ
ዚተርፍውን ብሓዊ ኪኹመም እዩ። 26 ክዳውንትኺ ኪቕንጥጡኺ፣ ክቡር ስልማትኪ ኺወስዱልኪ
እዮም። 27 ኣዒንቲኺ ናባታቶም ቀኒሕ ከይተብልን፣ ድሕርዚ ኸኣ ግብጺ ኸይትዝክርንሲ፣ ነቲ ኻብ
ግብጺ ዝጀመረ ርኽሰትክን ምንዝርናኽን መወዳእታ ኽገብረሉ እየ። 28 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ኣነ ናብ እቶም እትጸልእዮም ነፍስኺ ኻብኦም ዘግለሰት ክውፍየኪ እየ እሞ፣ 29
ብጽልኢ ኺካየዱኺ፣ ዅሉ ጻማ ድኻምኪ ኺወስዱልኪ፣ ዕርቓትን ንውልቅኽን ገይሮም ኪሐድጉኺ
እዮም። ናይ ምንዝርናኺ ዕርቃን ርኽሰትክን ምንዝርናኽን ኪግለጽ እዩ። 30 ደድሕሪ ህዝብታት ዔልዔል
እናበልኪ ስለ ዝመንዘርኪ፣ ብጣኦታቶም ከኣ ስለ ዝረኸስኪ፣ እዚ ነገር እዚ ኺወርደኪ እዩ። 31 ብመገዲ
ሓብትኺ ኸድኪ፣ ስለዚ ኸኣ ኣነ ናታ ጽዋእ ኣብ ኢድኪ ኽህበኪ እየ። 32 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ንስኺ እታ ዓማቝን ገፋሕን ዝኾነት ጽዋእ ሓብትኺ ኽትሰትዩ ኢኺ። ብዙሕ እትሕዝ
እያ እሞ መስሓቕን መላገጽን ክትኰኒ ኢኺ። 33 እታ ጽዋእ ሓብትኺ ሰማርያስ ጽዋእ መሰክሕን
ጥፍኣትን እያ እሞ፣ ብስኽራንን ብሓዘንን ክትመልኢ ኢኺ። 34 ኣነ እየ እተዛረብኩ፣ ይብል እግዚኣብሄር

ኣምላኽ እሞ፣ክትሰትይያን ክትጽንቅቕያን ገልዑ ኸኣ ክትነኽስን፣ ኣፍ ልብኺ ድማ ክትስንጥቕን ኢኺ።
[35] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ንስኺ ረሲዕክኒ፣ ብድሕሪ ዝባንኪ ድማ ደርቢኽኒ
ኢኺ እሞ፣ ንስኺውን ርኽሰትክን ምንዝርናኽን ጹሪ። [36] እግዚኣብሄር ከኣ በለኒ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣
ንኦሆላን ንኦሆሊባን ክትፈርደለን ዲኻ እምብኣርስ ጽያፈን ንገረን። [37] ዘምየን እየን እሞ፣ ኣብ ኣእዳወን
ደም ኣለወን፣ ምስ ጣኦታተን ዘምየን፣ ነቶም ንኣይ ዝወለድክዎም ደቀን፣ ሓዊ ኺበልዖምሲ፣ ብእኡ
ኣሕለፋኦም። [38] ኣብ ርእሲኡውን እዚ ገበራኒ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ መቕደሰይ ኣጸየፋ፣ ሰናብተይ ከኣ
ኣርከሳ፣ [39] ደቀን ንጣኦታተን ምስ ሐርዳኦም፣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኼርክስኣ ናብ መቕደሰይ መጻ። እንሆ፣
ኻብ፣ ኣብ ማእከል ቤተይ ከምዚ ገበራ። [40] ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ነቶም ካብ ርሑቕ ዝመጹ ሰብኡት
ለኣኻሎም። ልኡኽ ተላእኮም፣ እንሆ፣ውን መጹ። ተሐጸብክሎም፣ ኣዒንትኺ ተኹሐልክሎም፣
ብስልማትውን ተሰለምክሎም። [41] ኣብ ጽቡቕ ዓራት ተቐመጥኪ፣ ኣብ ቅድሚኡ ኸኣ ሰደቓ ተዳልዩ
ነበረ፣ ኣብ ልዕሊኡውን ዕጣነይን ዘይተይን ኣንበርኪ። [42] ኣብኣ ድምጺ ሕጉሳት ሰብ ነበረ። ናብቲ ብዙሕ
ህዝቢ ድማ ሰብ ሳባ ኻብ በረኻ ኣምጽኡ። ንሳቶም ከኣ ኣምባር ኣብ ኣእዳወን፣ እጹብ ዘውዲውን ኣብ
ኣርእስተን ገበሩ። [43] ሽዑ ኣነ ብዛዕባ እታ ብዝሙት ዝኣረገት፣ ሎሚ ድማ ምስኣ የመንዝሩ ኣለዉ፣
በልኩ፣ [44] ከምቲ ናብ ኣመንዝራ ዚኣትዉ፣ ናብኣ ኣተዉ። ከምኡውን ናብተን ርኹሳት ኣንስቲ ኦሆላን
ኦሆሊባን ኣተዉ። [45] ጻድቃን ሰባት ከኣ፣ ዘመውቲ ስለ ዝኾና ኣብ ኣእዳወን ድማ ደም ስለ ዘለወን፣
ከምቲ ንዘመውቲ፣ ከምቲ ነተን መፍሰስቲ ደም ዚፍረደን ገይሮም፣ ኪፈርድወን እዮም። [46] ስለዚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣኼባ ህዝቢ ኸውጽኣለን እየ እሞ፣ ንምምራኽን ንዘመተን
ኣሕሊፈ ኽህበን እየ። [47] ኣኼባ ኸኣ ብዳርባ እምኒ ኪቐትልወን፣ በስያፎም ኪቘራርጽወን፣ ነወዳተንን
ነዋልደንን ኪቐትልዎም፣ ኣባይተንውን ብሓዊ ኼንድዱ እዮም። [48] ኲላተን ኣንስቲ ኽምቲ ምንዝርናኽን
ኸይገብራ፣ ምእንቲ ኺመዐዳስ፣ ንምንዝርና ኻብታ ሃገር ከጥፍኦ እየ። [49] ምንዝርናኽን ኣብ ልዕሌኽን
ኬንብሩልክን እዮም፣ ሓጢኣት ጣኦታትክን ድማ ክትጾራ ኢኽን። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይ ከኣ
ክትፈልጣ ኢኽን።

# ምዕራፍ 24

[1] ኣብ መበል ታስዐይቲ ዓመት ኣብታ ዓስረይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብ ዓስረይቲ መዓልቲ
ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነዛ መዓልቲ እዚኣ ስም እዛ መዓልቲ እዚኣ
ጽሐፍ። ንጉስ ባቢሎን ሎሚ መዓልቲ ናብ የሩሳሌም ቀረበ። [3] ነታ ኸዳዕ ቤት ምስላ ንገራ በሎምውን፣
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ድስቲ ሰኽትት፣ ሰኽትቶ ማይ ድማ ኣዕርቓሉ። [4] ምታሩ፣ ኵሉ
ጽቡቕ ምታር ዘበለ፣ እግርን ከሳድን፣ ናብኡ ኣክቦ፣ በቲ ሕሩይ ዓጽሚውን ምልኣዮ። [5] ካብቲ መጓሰ ኸኣ
ሕሩድ ውሰድ፣ ነቲ ዓጽሚ ድማ ኣብ ትሕቲኡ ኹሚርካ፣ እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ኣዕጽምቲ ምእንቲ
ኺበስል፣ ኣጸቢቕካ ኣፍልሓዮ። [6] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ነታ ምምራታ
ዘይለቅቕ ብምምራት ዝዘዐገት ድስቲ፣ በዓልቲ ደም ዝኾነት ከተማ ወይለኣ። ነቲ ምራት ብምታሩ
ኣውጽኣዮ፣ ዕጭ ኣይወደቖን። [7] ደማ ኣብ ማእከላ እዩ እሞ፣ ኣብቲ ልሙጽ ከውሒ ሐደገቶ። ብሓመድ
ክትከድኖ እኳ ኣብ ምድሪ ኣይከዐወቶን። [8] ንምልዕዓል ነድርን ንምፍዳይ ሕነ እቲ ደማ ምእንቲ
ኸይከወል፣ ኣብ ልሙጽ ከውሒ ኣኽዖኽዎ። [9] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣነውን
ብርቱዕ መጕሃር ክኣጕድ እየ እሞ፣ ነታ በዓልቲ ደም ዝኾነት ከተማ ወይለኣ፣ [10] ኣዕጻው ኰምር፣ ሓዊ

እጐድ፣ ነቲ ስጋ ኣጸቢቕካ ኣብስሎ፣ ነቲ መረቕ ኣዚካ ኣፍልሖዮ፣ ነቲ ኣዕጽምቲ ኸኣ ኣሕርሮ። 11 ምእንቲ
ኺውዕን እቲ ኣስራዚኡ ድማ ምእንቲ ኺረስንን ኣብ ውሽጢ ዘሎ ዛዕጉ ኺመክኽን እቲ ምምራቱ ኸኣ
ኪጠፍእንሲ፣ ጥራዩ ኣብ ልዕሊ ጓህሪ ሰኽትቶ። 12 ጻዕራ ኸንቱ እዩ፣ ምምራታ በርቲዑ እዩ እሞ፣ ብሓዊ
እኳ ኣይለቕቕን እዩ። 13 ኣብ ርስሓትኪ ርኽሰት ኣሎ። ኣጽርየክስ ኣይጸሬኽን ኢኺ እሞ፣ ሃና ነድረይ
ክሳዕ ዝወጸልኪ ኻብ ርስሓትኪ ኣይክትጸርይን ኢኺ። 14 ኣነ እግዚኣብሄር እየ እተዛረብክዎ። ኪኸውን
እዩ፣ ክገብሮ ድማ እየ። ከም መገድኽን ከም ግብርኽን ኪፈርዱኺ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ። 15 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 16 ኣታ ወዲ ሰብ፣ እንሆ፣ ንተድላ ኣዒንትኻ
ብወቕዒ ኽምንጥለልካ እየ። ንስኻ ድማ ኣይትሕዘን፣ ኣይትብከ፣ ኣይትንባዕውን፣ 17 ስቕ ኢልካ እህህ
በል፣ ንምዉታት ከም ዚልቀሶም ጌርካ ኣይተልቅስ፣ ርእስኻ ደኣ ብመጠምጠምያ ጠምጥም፣ ኣሳእንካ
ኣብ ኣእጋርካ ኣእቱ፣ ጭሕምኻ ኣይትኸደን እንጌራ ሓዘንቲውን ኣይትብላዕ። 18 ነቲ ህዝቢ ንግሆ
ተዛረብክዎ፣ ንምሸቱ ኸኣ ሰበይተይ ሞተት፣ ንጽብሒቱ ድማ ከምቲ እተኣዘዝክዎ ገበርኩ፣ 19 እቲ
ህዝቢውን፣ እቲ እትገብሮ ዘሎኻስ ንኣና እንታይ ማለት ምዃኑዶ ኣይትገልጸልናን ኢኻ በለኒ። 20 ኣነ
ድማ፣ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ ኢለ መለስኩሎም፣ 21 ንቤት እስራኤል፣ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል፣ ኣሎ፣ በሎም፣ እንሆ፣ እታ ሓበን ሓይልኹም፣ እታ ተድላ ኣዒንትኹም፣ እታ
ናፍቖት ነፍስኹም፣ ቤት መቕደሰይ ከርክሳ እየ። እቶም ደድሕሬኹም ዝሐደግኩምዎም ኣወዳትኩምን
ኣዋልድኩምን ብሰይፊ ኺወድቁ እዮም። 22 ንስኻትኩም ከኣ ከምቲ ዝገበርክዎ ኽትገብሩ ኢኹም።
ጭሕምኹም ኣይክትከድኑን፣ እንጌራ ሓዘንቲውን ኣይክትበልዑን፣ 23 መጠምጠምያኹም ኣብ
ርእስኹም፣ኣሳእንኩም ኣብ ኣእጋርኩም ኪኸውን እዩ። ዋይዋይ ኣይክትብሉን ኣይክትበኽዩን ከኣ
ኢኹም፣ ግናኸ ብሰሪ ኣበሳኹም ክትማስኑ፣ ነንሓድሕድኩም ከኣ እህህ ክትብሉ ኢኹም። 24 ህዝቅኤል
ከኣ ኣርኣያ ኪኾነልኩም እዩ፣ ከምቲ ንሱ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ። እዚ ምስመጸ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 25 ኣታ ወዲ ሰብ ከኣ፣ በታ ንሓይሎምን፣ ንሓጐስ ክብረቶም፣ ንተድላ
ኣዒንቶም፣ ነቲ ናፍቖት ልቦም፣ ኣወዳቶምን ኣዋልዶምን ኣነ ካብኦም ዝወስደላ መዓልቲ፣ 26 በታ መዓልቲ
እቲኣ እቲ ዘምለጠ ኣብ እዝንኻ ኬስምዓካ ኺመጸካ እዩ። 27 በታ መዓልቲ እቲኣ እቲ ዘምለጠ ምስ መጸ
ኣፍካ ኪኽፈት እዩ፣ ክትዛረብ ድሕርዚ ኸኣ ዓባስ ኣይክትኸውንን ኢኻ። ከምኡ ንስኻ ኣርኣያ
ኽትኰኖም ኢኻ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይውን ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 25

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ደቂ ዓሞን ኣቢልካ ምለስ እሞ
ተነበየሎም። 3 ንደቂ ዓሞን ከኣ፣ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ስምዑ፣ ከምዚ ይብል ኣሎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፣ ኢልካ ንገሮም፣ መቕደሰይ ስለ ዝረኸሰት፣ ሃገር እስራኤል ስለ ዝባደመት፣ ቤት ይሁዳ ስለ
እተማረኹ ኣሰይ፣ ኣሰይ ኢልካ ኢኻ እሞ፣ 4 ስለዚ እንሆ፣ ንደቂ ምብራቕ ርስቶም ክትከውን፣
ድንኳናቶም ኪተኽሉልካ፣ ኣብ ማእከልካውን ሰፈሮም ኪሰርሑ ኽውፍየካ እየ። ንሳቶም ፍሬኻ
ኺበልዑ፣ ጸባኻውን ኪሰትዩ እዮም። 5 ንራባት መጓሰዪ ኣግማል፣ ንደቂ ዓሞን ከኣ ደምበ ኣባጊዕ
ክገብሮም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም። 6 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ በእዳውካ ስለ ዘጣቓዕካ፣ በእጋርካ ኰርደብደብ ስለ ዝበልካ፣ ብኹሉ ነፍስኻ ንዒቕካያ
ብሃገር እስራኤል ስለ እተሐጐስካ፣ 7 ስለዚ እንሆ፣ ኢደይ ኣባኻ እዝርግሕ ኣሎኹ እሞ፣ ዘመተ ኣህዛብ

ክትከውን ክውፍየካ፣ ካብ ህዝብታት ከጽንተካ፣ ካብ ሃገራት ክጥርሰካ፣ ከጥፍኣካውን እየ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ምዃነይ ድማ ክትፈልጥ ኢኻ። 8 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሞኣብን
ሰዒርን፣ እንሆ፣ ቤት ይሁዳስ ከም ኵላቶም ህዝብታት እዮም፣ ይብሉ ኣለዉ እሞ፣ 9 ስለዚ እንሆ፣ ኣነ
ንግድሚ ሞኣብ ብወገን ከተማታት ካብተን ብዅሉ ኸባቢኣ ዘለዋ ኸተማታታ፣ ክቡራት እታ ሃገር፣ እኒ
ቤትየሺሞት፣ በዓልመዖን፣ ቂርያታይም ክኸፍት እየ። 10 እቶም ደቂ ዓሞን ድሕርዚ ኣብ ማእከል ኣህዛብ
ከይዝከሩስ፣ ነቶም ኣብ ርእሲ ደቂ ዓሞን ዚመጹ ደቂ ምብራቕ ርስቲ ገይረ ኽውፍየን እየ። 11 ኣብ ሞኣብ
ፍርዲ ኽገብር እየ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም። 12 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ኤዶም ጨኪኑ ንቤት ይሁዳ ሕነ ብምፍዳዩ፣ በዚ ዝፈደዮ ሕነ እዚ ብርቱዕ በደል በዲሉ
ኣሎ እሞ፣ 13 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኢደይ ናብ ኤዶም ክዝርግሕ፣ ሰብን እንስሳን ድማ ካብኣ
ኽጽንት እየ። ካብ ቴማን ጀሚረ ጸምጸም በረኻ ኽገብሮም እየ፣ ክሳዕ ዴዳን ከኣ ብሰይፊ ኺወድቁ
እዮም፣ ይብል ኣሎ። 14 ኣነ ኸኣ፣ ብኢድ ህዝበይ እስራኤል ገይረ፣ ሕነይ ናብ ኤዶም ከውርዶ እየ።
ንሳቶም ንኤዶም ከም ኵራይን ነድረይን ኪገብርዋ እዮም። ምፍዳይ ሕነይውን ኪፈልጡ እዮም፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 15 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቶም ፍልስጥኤማውያን ጨኪኖም
ሕነ ስለ ዝፈደዩ፣ በቲ ናይ ጥንቲ ጽልኦም ኬጥፍኡ ኢሎምሲ፣ ብነፍሶም ንዒቖም ሕነ ስለ ዝፈደዩ፣ 16
ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ኢደይ ናብ ፍልስጥኤማውያን ክዝርግሕ፣
ንክረታውያን ከኣ ከጽንቶም፣ ነቲ ኣብ ገምገም ባሕሪ ተርፌ ዘሎውን ከጥፍኦ እየ። 17 ብመዓት ነድሪ ኸኣ
ብርቱዕ ምፍዳይ ሕነ ኽፈድዮም እየ። ሕነይ ምስ ፈዴኽዎም፣ ሽዑ ኣነ እግዚብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ
እዮም።

# ምዕራፍ 26

1 ኰነ ኸኣ፣ ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመት በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ እታ ወርሒ ኸምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ጢሮስ ብዛዕባ የሩሳሌም፣ ኣሰይ፣ ኣሰይ፣ እታ ደገ ህዝብታት
ፈሪሳ፣ ናባይ ተመሊሳ፣ ንሳ ባዲማ እያ፣ ኣነ ኽመልእ እየ፣ ኢላ ኣላ እሞ፣ 3 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣቲ ጢሮስ፣ ተሀንዲደኪ እኔኹ፣ ከምቲ ባሕሪ ንማዕበሉ ዜልዕሎ፣ ከምኡ ገይረ
ብዙሓት ህዝብታት ከተንስኣልኪ እየ። 4 ንቐጽርታት ጢሮስ ኬጥፍእዎ፣ ንግምብታታ ኸኣ ኬፍርስዎ።
ሓመዳ ኽጸርገላ፣ ልምጽምጽ ዚብል ከውሒ ኽገብራ እየ። 5 ንሳ ኣብ ማእከል ባሕሪ መስጥሒ መርበብ
ክትከውን እያ። ኣነ ተዛሪበ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። ንህዝብታት በዝባዝ ክትከውን እያ። 6
እተን ኣብ መሮር ዘለዋ ኣዋልዳ ኸኣ ብሰይፊ ኪቕተላ እየን፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ድማ ኪፈልጡ
እዮም። 7 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ንነቡካድነጻር፣ ንጉስ ባቢሎን ንጉስ ነገስታት፣
ምስ ኣፍራስን ሰረገላታትን ምስ ፈረሰኛታትን ጭፍራን ብዙሕ ህዝብን ካብ ሰሜን ናብ ጢሮስ ከምጽኦ
እየ። 8 ነተን ኣብ መሮር ዘለዋ ኣዋልድኺ ብሰይፊ ኪቐትለን፣ ዕርዲ ኺዐርደልኪ፣ ሓመድ ኪኹምረልኪ፣
ዋልታታት ኬልዕለልኪ እዩ። 9 ነቲ መፍረሲኡ ናብ ቀጽርኺ ኣቢሉ ኺተኽሎ እዩ፣ ብመሳርያኡ ኸኣ
ንግምብታትኪ ኼፍርሶ እዩ። 10 ካብ ብዝሒ ኣፍራሱ እተላዕለ፣ ደሮናኦም ኬጐልብበኪ እዩ። ብፍሩስ
ቀጽሪ ኣብ ከተማ ኸም ዚኣትዉ፣ ንሱ ብኣፍ ደጌታትኪ ኺኣቱ ኸሎ፣ ህዱድ ብምባል ፈረሰኛታትኪ
መንኰራኹሩን ሰረገላታቱን ቀጽርታትኪ ነይነይ ኪብል እዩ። 11 ንዅሉ ኣደባባያትኪ ብሸኾና ኣፍራሱ
ኺረግጾ፣ ንህዝብኺ ብሰይፊ ኪቐትሎም፣ እቲ ሓወልቲ ሓይልኺ ናብ ምድሪ ጻሕ ኪብል እዩ። 12

ንመዛግብትኺ ኺብዝብዙ፣ ነቕሑ ንግድኪ ኺዘምቱ፣ ንመናድቕኪ ኼፍርሱ፣ ነቲ በብሉጽ ኣባይትኺ
ኺፍንጥሑ፣ ነእማንክን ኣዕጻውክን ሓመድክን ኣብ ማእከል ማይ ኪድርብዩ እዮም። [13] ንደሃይ ደርፍኺ
መወዳእታ ኽገብረሉ እየ፣ ድሕርዚ ድማ ቃና መሰንቆታትኪ ኣይኪስማዕን እዩ። [14] ልሙጽ ከውሒ
ኽገብረኪ እየ፣ መስጥሒ መርበብ ክትኰኒ ኢኺ። ኣነ እግዚኣብሄር እየ እተዛረብኩ እሞ፣ ከም ብሓድሽ
ኣይክትስርሕን ኢኺ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [15] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ንጢሮስ ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ ብህማም ምውዳቕኪ፣ እቶም ውጹዓት ውጉኣት ኪቕንዘዉ ኸለዉ፣ ኣብ ማእከልኪ ኪቕተሉ
ኸለዉ፣ እተን ደሴታትዶ ረዓድ ኣይኪሕዘንን እዩ [16] ሽዑ ኹላቶም መሳፍንቲ ባሕሪ ካብ ዝፋውንቶም
ኪወርዱ፣ ባርኖሶም ኪቕንጥጡ ጥሉፍ ኣልባሶም ኪድርብዩ፣ ስምባድ ኪኽደኑ፣ ኣብ ምድሪ ኪቕመጡ፣
ኵሉ ጊዜ ፈጥፈጥ ኪብሉ፣ ብኣኺ ኺስክሑ እዮም። [17-18] ኣቲ መሳፍሮ ሰብ ባሕሪ፣ ኣቲ ኣብ ባሕሪ ሓያል
ዝነበርኪ፣ ንስኺ ምስቶም ኣባኺ ዚነብሩ ዝነበሩ ንኪ ብኹሉ ሰብ መፍርሂት ዝነበርኪ ውርይቲ ኸተማ፣
ከመይ ኢልኪ ኾን ጠፋእኪ፣ ሕጂ እተን ደሴታት በታ መዓልቲ ምውዳቕኪ ኺንቅጥቀጣ፣ እተን ኣብ
ባሕሪ ዘለዋ ደሴታት ከኣ ብመወዳእታኺ ኺስምብዳ እየን፣ ኢሎም መልቀስ ኬልቅሱልኪ እዮም። [19]
እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ ኸምዚ ይብል ኣሎ፣ ከምተን ሓደ እኳ ዚነብረን ዜብለን ከተማታት ገይረ፣
ዕንውቲ ኸተማ ምስ ገበርኪኺ፣ መዓሙቕ ኣብ ልዕሌኺ ምስ ኣስራሰርኩ፣ ብዙሕ ማያት ምስ ደፈነኪ፣
[20] ሽዑ ምስቶም ናብ ጉድጓድ ዝወረዱ ናይ ጥንቲ ህዝቢ ኸውርደኪ እየ። ኣባኺ ዚነብሩ ከይህሉስ፣
ምስቶም ናብ ጉድጓድ ዝወረዱ ኣብ መዓሙቕ ምድሪ ኣብ ናይ ጥንቲ ዑናታት ከስፍረኪ እየ። ኣነውን
ክቡር ነገር ኣብ ምድሪ ህያዋን ክገብር እየ። [21] መሰክሒ ኽገብረኪ እየ እሞ፣ ኣይክትህልውን ኢኺ።
ዝደለየ እኳ እንተ ደለየኪ፣ ከቶ ንዘለኣለም ኣይክትርከብን ኢኺ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 27

[1] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንጢሮስ መልቀስ ኣልቅሰላ፣ [3] ንጢሮስ
በላ፣ ኣቲ ኣብ መእተዊ ባሕሪ እትነብሪ፣ ምስቶም ኣብ ብዙሕ ደሴታት ዘለዉ ህዝብታት ከኣ እትነግዲ፣
ከምዚ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ኣቲ ጢሮስ፣ ባዕልኺ፣ ብመልክዕ ፍጽምቲ ኣነ እየ በልኪ። [4]
ወሰንኪ ኣብ ልቢ ባሕሪ እዩ፣ እቶም ሃነጽትኺ ነቲ መልክዕኪ ፈጸምዎ። [5] ንኰቦታትኪ ብጽሕዲ ሰኒር
ሰርሕዎል ደቐል መራኽብ ኪገብሩልኪ ካብ ሊባኖስ ኣእዋም ወሰዱ። [6] መቕዘፊታትኪ ብስኒ ሓርማዝ
ሰሊሞም፣ በቲ ኻብ ደሴታት ኪቲም ዝመጸ ኣእዋም ገበሩ። [7] እቲ ንሰንደቕ ዕላማ ዚኾነኪ ጋንጽላኺ
ብልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ቀጢን እተጠልፈ ዓለባ ኻብ ግብጺ ነበረ። ካብ ደሴታት ኤሊሻ ሰማያዊ
ሃርን ጁኹን መጋረጃኺ ነበረ። [8] ኣቲ ጢሮስ፣ እቶም ዚቕዝፉልክስ ሰብ ሲዶናን ሰብ ኣርዋድን ነበሩ፣
እቶም ኣባኺ ዘለዉ ጠቢባንኪ መራሕቲ መራኽብኪ ኾኑ። [9] እቶም ሽማግሌታት ጌባልን እቶም
ጠቢባናን ነቲ እተሰብረ ኬጣጥኡስ ኣብ ማእከልኪ ነበሩ። ኵላተን መራኽብ ባሕርን ባሕረኛታትን፣
ንግዶም ኪለዋወጡኺ፣ ኣባኺ ነበሩ። [10] ፋርስን ሉድን ፉጥን ኣብ ሰራዊትኪ ዓቀይትኺ ነበሩ። ዋላቱን
ቍራዕ ርእስን ሰቐሉልኪ፣ ንሳቶም ጌጽ ሀቡኺ። [11] ደቂ ኣርዋድን ሰራዊትክን ኣብ ከባቢ ቐጽርኺ፣ ሰብ
ገማድያ ኸኣ ኣብ ግምብታትኪ ነበሩ፣ ዋላቱኦም ኣብ ወሰነወሰን መናድቕኪ ሰቐሉ፣ ንመልክዕኪ
ፈጸምዎ። [12] ተርሲስ ስለ ብዙሕ ዓይነት ሃብቲ ምሳኺ ትነግድ ነበረት፣ ብብሩርን ሓጺንን ቘርቘሮን
ዓረርን ገይራ ዋጋኡ ፈደየትኪ። [13] ያዋንን ቱባልን ሜሴክን ነጋዶኺ ነበሩ፣ ናብ ዕዳጋኺ ባሮትን ኣቓሑ
ነሃስን ኣምጽኡ። [14] ካብ ቤት ቶጋርማ በፍራስን በፍራስ ውግእን በባቕልን ገይሮም ለውጢ ነግድኺ

ሀቡኺ። 15 ደቂ ዴዳን ኣባኺ ነገዱ፣ ብዙሓት ደሴታት ብኢድኪ ነግዶም ኣመሓላለፉ፣ ስኒ ሓርማዝን
ዝበን ከኣ ገጽ በረኸት ኣምጽኡልኪ። 16 ስለ ብዝሒ ግብሪ ብልሓትኪ ሶርያ ምሳኺ ነገደት፣ ብክቡር
ዕንቍን ብጁኸን ብተጠልፈ ዓለባን ብልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባን ብዘዓጐልን ብሮቢኖስን
ገይሮም፣ ለውጢ ነግድኺ ሀቡኺ። 17 ይሁዳን ሃገር እስራኤልን ምሳኺ ነገዱ፣ ንዕዳጋኺ በቲ ኻብ ምኒት
ዝመጸ ስርናይን ብሕብስትን መዓርን ዘይትን ቅዲትን መልእዋ። 18 ደማስቆ ብብዝሒ እትዋትክን ስለ እቲ
ብዙሕ በብዓይነቱ ዝኾነ ሃብትን ብነቢት ካብ ሄልቦንን ብጸምርን መናግድኺ ነበረት። 19 ዌዳንን ያዋንን
ሙዛልን ንዕዳጋኺ ብስሩሕ ሓጺንን ሽቱን ቀረፋን ኣዐመሩ። 20 ዴዳን ብኽቡር መረሻታት ምሳኺ ነግዳ
ገበረት። 21 ዓረብን ኵላቶም መሳፍንቲ ቄዳርን ብኢድኪ ነገዱ። ምሳኺ ኺነግዱስ ገነሽልን ደዓውልን
ኣጣልን ኣምጽኡ። 22 እቶም ነጋዶ ሰባን ራዕማን መናግድኺ ነበሩ። ብብሉጽ ቀመምን ብኽቡር ኣእማን
ዘበለን ብወርቅን ተላዋወጡኺ። 23 ካራንን ካኔን ኤድንን፣ ነጋዶ ሳባን ኣሶርን ኪልማትን ነጋዶኺ ነበሩ።
24 ብብሉጽ ኣልባሳትን ብሰማያዊ ሃርን ብወርቀዘቦ እተጠልፈ ባርኖስን፣ ብኦም ሊባኖስ እተገብረን
በግማድ እተኣሰረን፣ ክቡር ዓለባ ዝመልኤ ሳጻውን ገይሮም ምሳኺ ይነግዱ ነበሩ። 25 መራኽብ ተርሲስ
ከኣ ቃፍላይ ነግድኺ ነበሩ። መላእኺ እሞ ኣብ ልቢ ባሕሪ ኣዚኺ ኸበርኪ። 26 እቶም ዚቐዝፉልኪ ናብ
ብዙሕ ማያት ወሰዱኺ፣ ንፋስ ምብራቕ ከኣ ኣብ ልቢ ባሕሪ ሰበረኪ። 27 ሃብትኽን መነጋገድያኽን
መለዋወጢኽን ባሕረኛታትክን፣ መራሕቲ መራኽብክን፣ መጣጣእቲ ስቡርክን ነጋዶኽን ኣባኺ ዘለዉ
ኹሎም ጭፍራ ውግእክን፣ እቶም ኣባኺ ዘለዉ ኹሎም ሰብኡትን በታ መዓልቲ ውድቀትኪ ኣብ ልቢ
ባሕሪ ኺወድቁ እዮም። 28 ካብ ኣውያት እቶም መራሕቲ መራኽብኪ እተላዕለ እቶም ኣብ ከባቢኺ
ዘለዉ ራዕራዕ ኪብሉ እዮም። 29 ኵላቶም ብመቕዘፍ ዚቐዝፉን ባሕርኛታትን ኵላቶም መራሕቲ
መራክብን ካብ መራኽቦም ኪወርዱ ኣብ ምድሪ ኸኣ ኪቘሙ እዮም። 30 ብዛዕባኺ ድምጾም ኪስምዑ፣
ኣምሪሮም ድማ ኪበኽዩልኪ እዮም። ኣብ ርእሶም ሓመድ ኪንስንሱ፣ ኣብ ሓመኹስቲውን ጠንቀላዕላዕ
ኪብሉ እዮም። 31 ርእሶም ኪላጽዩልኪ፣ ከሊ ኺኦጠቕልኪ፣ ብምረት ነፍሶም መሪር ብኽያት
ኪበኽዩልኪ እዮም። 32 እናሕዘንዘኑ ብቐኍዝማ፣ ከምታ ኣብ ማእከል ባሕሪ ትም ዘበለዋ፣ ከም ጢሮስ
መን ነበረት ኢሎም ዚቐኍዝሙልኪ እዮም። 33 ኣቓሑ ነግድኺ ኻብ ባሕሪ ምስ ወጸ፣ ንብዙሓት
ህዝብታት ኣጽገብክዮም። በቲ ብዙሕ ሃብትኽን ነግድኽን ንነገስታት ምድሪ ኣሀብተምክዮም። 34 በታ
ኣብ ባሕሪ፣ ኣብቲ ዓሚቝ ማያት እተሰበርክላ ግዜ፣ ነግድኽን ኵሉ ህዝብኽን ኣብ ማእከልኪ ወደቑ። 35
እቶም ኣብ ደሴታት ዚነብሩ ኹሎም ብኣኺ ኺስክሑ፣ ነገስታቶም ከኣ ኪርዕዱ እዮም፣ ገጾምውን
ኪኽፉእ እዩ። 36 እቶ ነጋዶ ህዝብታት ኪፋጽዩልኪ እዮም። መሰክሒ ኰንኪ፣ ንዘለኣለም
ኣይክትህልውን ኢኺ።

# ምዕራፍ 28

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንመስፍን ጢሮስ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮ፣ ልብኻ ተዐብዩስ፣ ኣነ ኣምላኽ እየ፣ ኣብ ማእከል ባሕሪ ድማ ኣብ
ዝፋን ኣምላኽ ተቐሚጠ ኣሎኹ፣ ትብል ኣሎኻ እሞ፣ ምንም እኳ ንልብኻ ኸም ልቢ ኣምላኽ እንተ
ገበርካዮ፣ ንስኻ ሰብ ኢኻ እምበር፣ ኣምላኽ ኣይኰንካን። 3 እንሆ፣ ካብ ዳንኤል ያኢ ንስኻ ትጠብብ፣
ኵሉ ምስጢርውን ኣይሕብኣካን እዩ። 4 ብጥበብካን በእምሮኻን ሃብቲ ኣጥሬኻ፣ ኣብ መዛግብካ ድማ
ወርቅን ብሩርን ኣከብካ። 5 በቲ ዓብዪ ጥበብካን ብነግድኻን ሃብትኻ ኣብዛሕካ። ብምኽንያት ሃብትኻ

ኸኣ ልብኻ ተዐበየ። 6 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ንልብኻ ኸም ልቢ ኣምላኽ ስለ
ዝገበርካ፣ 7 እንሆ፣ ስለዚ ኣነ ኻብ ህዝብታት ዚጭክኑ ጓኖት ከተንስኣልካ እየ፣ ንሳቶም ከኣ ኣብቲ ጽባቐ
ጥበብካ ሰይፎም ኪመልሑ፣ ግርማኻ ድማ ኬርክሱ እዮም። 8 ናብ ጉድጓድ ኪደፉኡኻ እዮም፣
ንስኻውን ከምቲ እቶም ኣብ ልቢ ባሕሪ ተወጊኦም ዚሞቱላ ሞት ክትመውት ኢኻ። 9 ኣብ ቅድሚ እቲ
ቐታሊኻ ደኾን፣ ኣነ ኣምላኽ እየ፣ ክትብል ኢኻ ንስኻስ ኣብ ኢድ እቲ ወጋኢኻ ሰብ ኢኻ እምበር፣
ኣምላኽ ኣይኰንካን። 10 ኣነ ተዛሪበ እየ እሞ፣ ንስኻ ከምቲ ኣማውታ ዘይግዙራት፣ ብኢድ ጓኖት
ክትመውት ኢኻ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 11 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 12 ኣታ
ወዲ ሰብ፣ ንንጉስ ጢሮስ ብድጉዓ ቈዝመሉ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን
ንገሮ፣ ንስኻ ጥበብ ዝመልኣካ፣ ፍጹም ዝመልክዕካ ብሉጽ ማሕተም ነበርካ። 13 ንስኻ ኣብ ኤደን ገነት
እግዚኣብሄር ነበርካ። በብዝዓይነቱ ክቡር እምኒ፣ ሰርድዮስ፣ ቶጳዝዮን፣ ከልቄድዮን፣ ክሪሶሊት፣
ሰርዶንክስን፣፣ ያስጲስ ሰፊሮስ፣ ክሪሶጵራስ፣ ስመራግዶስን ወርቅን ተኸዲንካ ነበርካ። እቲ ከበሮኻን
ዕንዱርካን ምሳኻ ነበረ፣ በታ እተፈጠርካላ መዓልቲ ተዳለወ። 14 ንስኻ ዜጽልል ቅቡእ ኪሩብ ነበርካ፣ ኣነ
ኣብቲ ቅዱስ ከረን ኣምላኽ ኣስፈርኩኻ፣ ኣብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ተመላለስካ። 15 ካብቲ
እተፈጠርካላ መዓልቲ ጀሚርካ ኽሳዕ እቲ ኣበሳ እተረኽበካ ጊዜ ብመገድካ ፍጹም ነበርካ። 16 ብብዝሒ
ነግድኻ ውሽጥኻ ብዓመጻ መልኤ እሞ ሓጢኣት ገበርካ። ስለዚ፣ ኣታ እተጽልል ኪሩብ፣ ካብቲ ኸረን
ኣምላኽ ከም ርኹስ ደርቤኹኻ፣ ካብ ማእከል እቲ ኣእማን ሓዊ ኸኣ ኣጥፋእኩኻ። 17 ብምኽንያት
መልክዕካ ልብኻ ተዐበየ፣ ብኽብረትካ ድማ ጥበብካ ኣባላሾኻ። ኣብ ምድሪ ጻሕ ኣበልኩኻ፣ ኪርእዩኻስ
ኣብ ቅድሚ ነገስታት ወፈኹኻ። 18 ብብዝሒ ኣበሳኻን ብዘይ ቅንዕና ዝነገድካዮ ነግድኻን ንመቓድስካ
ኣርከስካዮ። ስለዚ ካብ ውሽጥኻ ሓዊ ኣውጻእኩ፣ ንሳውን በልዓትካ። ኣብ ቅድሚ ዅላቶም ዚርእዩኻ
ድማ ኣብ ምድሪ ሓመዅስቲ ገበርኩኻ። 19 እቶም ዚፈልጡኻ ዘበሉ ዅሎም ህዝብታት ብኣኻ ኺስክሑ
እዮም። መሰክሒ ኰንካ፣ ድሕርዚ ኸኣ ከቶ ኣይክትህሉን ኢኻ። 20 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር
ድማ መጻኒ፣ 21 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ሲዶን ኣቢልካ ምለስ እሞ ተነበየላ። 22 እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገራ፣ ኣቲ ሲዶን፣ እኔኹ ኣብ ርእስኺ ኣሎኹ። ኣብ ማእከልኪ ኸኣ ክኸብር
እየ።ፍርደይ ኣብኣ ምስ ፈጸምኩ ኣብኣውን ምስ ተቐደስኩ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም።
23 ፌራን ደም ኣብ ኣደባባያን ክሰደላ እየ፣ በቲ ኣብ ከባቢኣ ዘሎ ሰይፊ ኸኣ እቶም ውጉኣት ኣብ ማእከላ
ጻሕ ኪብሉ እዮም እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 24 ድሕርዚ ንቤት እስራኤል ኣብ
ኵሎም እቶም ዜቃልልዎም ጐደቦታቶም፣ ዚወግእ እሾኽ ወይስ ዜሕምም ተኾርባ ኣይኪህሉን እዩ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምኳነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም። 25 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ንቤት
እስራኤል ካብቶም ኣብ ማእከሎም ፋሒ ኢሎምዎም ዝነበሩ ህዝብታት ምስ ኣከብክዎም፣ ሽዑ ኣብ
ቅድሚ ዓይኒ ህዝብታት ኣባታቶም ክቐደስ፣ ንሳቶም ድማ ኣብታ ንያቆብ ባርያይ ዝሀብክዋ ሃገር ኪነብሩ
እዮም። 26 ኣብኣ ብህድኣት ኪነብሩ፣ ኣባይቲ ኸኣ ኪሰርሑ፣ ኣታኽልቲ ወይኒ ድማ ኪተኽሉ እዮም። ኣነ
ኣብቶም ኣብ ዙርያኦም ኰይኖም ዜቃልልዎም ዘለዉ ፍርዲ ምስ ፈጸምኩ፣ ሽዑ ብህድኣት ኪነብሩ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይውን ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 29

1 ኣብ ዓስረይቲ ዓመት፣ ኣብታ ዓስረይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ

መዓልቲ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ
ኣቢልካ ምለስ። ኣብ ልዕሊኡን ኣብ ልዕሊ ኾላ ግብጽን ከኣ ተነበ፣ [3] ተዛረብ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገር፣ ኣታ ፍርኦን ንጉስ ግብጺ፣ ኣብ ማእከል ርባታትካ እትድቅስ ገዚፍ
ገበል፣ ንስኻ፣ እቲ ርባይ ናተይ እዩ፣ ኣነ እየ ንርእሰይ ዝገበርክዎ፣ እትብል ዘሎኻ፣ እኔኹ ተለዐልኩኻ። [4]
ኣብ ምንጋጋኻ ዓንቃሪቦ ኽገብር፣ ንዓሳታት ርባታትካ ድማ ኣብ ቅራፍካ ኽጥብቖም እየ፣ ምስ ኵሉ እቲ
ኣብ ቅራፍካ ጠቢቑ ዘሎ ዓሳ ኸኣ ካብ ማእከል ርባታትካ ኸውጽኣካ እየ። [5] ንኣኻን ንኹሉ ዓሳ
ርባታትካን ኣብ በረኻ ኽድርብየካ፣ ኣብ መሮር ክትወድቕ፣ ኣይክትእረን ኣይክትእከብን ኢኻ፣ ኣነ
ንኣራዊት ምድርን ነዕዋፍ ሰማይን ምግቢ ገይረ ወፊኹኻ። [6] እቶም ኣብ ግብጺ ዚነብሩ ኹሎም ንቤት
እስራኤልሲ ምርኩስ ሻምብቆ ኰይኖምዎም እዮ እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። [7]
ብኢዶም እንተ ሐዙኻ፣ ተሰበርካ፣ ንኵሉ መንኵቦም ከኣ ወጋእካ፣ እንተ ተጸጋዑኻ ተሰባበርካ
ብጐድኖም ድማ ሰንከል ኣበልካዮም። [8] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ኣነ
ሰይፊ ኣብ ልዕሌኻ ኽምጽኣልካ፣ ሰብን እንስሳን ድማ ካባኻ ኽጽንቶም እየ። [9] እቲ ርባ ናተይ እዩ፣ ኣነ
ኸኣ እየ ዝገበርክዎ፣ ኢሉ እዩ እሞ፣ ሃገር ግብጺ በረኻን ምድረ በዳን ክትከውን እያ፣ ኣነ እግዚኣብሄር
ምዃነይ ድማ ኪፈልጡ እዮም። [10] ስለዚ እኔኹ፣ ኣባኻን ኣብ ርባታትካን ከለዐልካ፣ ንሃገር ግብጺ ኻብ
ሚግዶል ክሳዕ ሴኔ ኽሳዕ ዶብ ኢትዮጵያ ኸኣ ምድረ በዳን በረኻን ክገብራ እየ። [11] እግሪ ሰብ ብእእ
ኣይኪሐልፍን፣ እግሪ እንስሳ ብኣእ ኣይኪሐልፍን እዩ፣ ነርብዓ ዓመትውን ዚነብራ የብላን። [12] ንሃገር
ግብጺ ኣብ ማእከል እተን ዝባደማ ሃገራት በረኻ ኽገብራ እየ። ከተማታት ነርብዓ ዓመት በረኻ ኪኾና
እየን። ንግብጻውያን ከኣ ኣብ ማእከል ህዝብታት ፋሕ ከብሎም፣ ኣብ ኵሉ ሃገራትውን ክዘርዎም እየ። [13]
ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ድሕሪ ኣርብዓ ዓመት ነቶም ግብጻውያን ካብ ማእከል
እቶም ተዘርዮምዎም ዘለዉ ህዝብታት ክኣኻኽቦም እየ። [14] ንምርኮ ግብጺ ኽመልሶም፣ ናብታ
እተወልዱላ፣ ናብ ሃገር ጳጥሮስ ክመልሶም እየ። ኣብኣውን ለጠቕ ዝበለት መንግስቲ ኪኾኑ እዮም። [15]
ካብ ካልኦት መንግስትታት ለጠቕ ክትብል፣ መሊሳ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኣይክትዕበን እያ።
መሊሶም ኣብ ህዝብታት ከይገዝኡስ፣ ከውሕዶም እየ። [16] ድሕርዚ ቤት እስራኤል ብኣታቶም
ይኪእመኑን እዮም፣ ናባታቶም ቍሊሕ እንተ በሉ ግና፣ ኣሰባኦም ከዘክርዎም እዮም፣ ኣነ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም። [17] ኣብ መበል ዕስራን ሾብዓተን ዓመት፣ ኣብታ ቐዳመይቲ
ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [18] ኣታ
ወዲ ሰብ፣ ነቡካድነጾር ንጉስ ባቢሎን፣ ንጢሮስ ኪሕዝ ኢሉ፣ ንጭፍራኡ ብርቱዕ ጻዕሪ ኣጽዐሮም፣
ግናኸ በቲ ንጢሮስ ኪሕዝ ኢሉ ዝጸዐሮ ጻዕሪ ንሱ ወይስ ጭፍራኡ ገለ ደመወዝ እኳ ኣይረኸቡን። [19]
ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ንነቡካደነጾር ንጉስ ባቢሎን ሃገር ግብጺ ኽህቦ
እየ። ንሱ ሃብታ ኺወስድ፣ ዚዝረፍ ኪዝርፍ፣ ዚዝመት ከኣ ኪዘምት እዩ፣ እዚ ድማ ንጭፍራኡ ደመወዝ
ኪኸውን እዩ። [20] ንኣይ እዮም ዝገበርዎ እሞ፣ ጻማ ጻዕሩ ሃገር ግብጺ ሀብክዎ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ። [21] በታ መዓልቲ እቲኣ ንቤት እስራኤል ቀርኒ ኽብቍል፣ ንኣኻ ድማ ኣብ ማእከሎም እተኸፍተ
ኣፍ ክህበካ እየ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 30

[1] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ [2-3] ኣታ ወዲ ሰብ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል

ኣሎ፣ ኢልካ ተነበ በልውን፣ መዓልቲ ቐሪባ፣ እወ፣ መዓልቲ እግዚኣብሄር ቀሪባ ኣላ፣ መዓልቲ ደበና፣
ጊዜ ኣህዛብ ኪኸውን እዩ እሞ፣ ኣየ፣ ተካሊት መዓልቲ፣ ኢልኩም ዋይዋይ በሉ። 4 ሰይፊ ኣብ ግብጺ
ኺመጽእ እዩ፣ እቶም ውጉኣት ኣብ ግብጺ ምስ ወደቑ፣ ሃብታ ምስ ተወስደ፣ መሰረታውን ምስ ፈረሰ፣
ኣብ ኢትዮጵያ ብርቱዕ ፍርሃት ኪኸውን እዩ። 5 ኢትዮጵያን ፉጥን ሉድን ኵሎም ሕውስዋስ ህዝብን፣
ኩብን ደቂ እታ ኺዳን ዝኣተወት ሃገርን ምሳታቶም ብሰይፊ ኺወድቁ እዮም። 6 እግዚኣብሄር ኣምላኽ
ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቶም ንግብጺ ዚድግፉ ኺወድቁ እዮም፣ እቲ ዕቡይ ሓይላ ኸኣ ኪዋረድ እዩ። ካብ
ሚግዶል ጀሚሩ ኽሳዕ ሴኔ ኣብኣ ብሰይፊ ኺወድቁ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ 7 ኣብ ማእከል
እተን ዝባደማ ሃገራት ከኣ ኪባድሙ እዮም፣ ኸተማታቶም ድማ ኣብ ማእከል እተን ዝፈረሳ ከተማታት
ኪኾና እየን። 8 ኣብ ግብጺ ሓዊ ምስ ኣጕድኩ፣ ደገፍታ ዘበሉ ዅሎም ከኣ ምስ ተሰባበሩ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 9 በታ መዓልቲ እቲኣ፣ ነታ ደሓን ኣሎኹ እትብል
ኢትዮጵያን ኼሰምብድዋስ፣ ልኡኻት ብመርከብ ካብ ቅድሚ ገጸይ ኪወጹ እዮም። እንሆ፣ ይመጽእ ኣሎ
እሞ፣ ከምቲ ንመዓልቲ ግብጺ ዝኾነ ፍርሃት ኪኾኖም እዩ። 10 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ ብኢድ ነቡካድነጾር ንጉስ ባቢሎን ነቲ ብዙሕ ህዝቢ ግብጺ ኸጥፍኦ እየ። 11 ንሱን ህዝቡ ኸኣ
ምስኡን፣ ካብቶም ህዝብታት ኣዝዮም ዚጭክኑ፣ ነታ ሃገር ኬጥፍእዋ ኺወጹ እዮም። ሰይፎም ንግብጺ
ኺመልሑላ፣ ነታ ሃገርውን ብቕቱላት ኪመልእዋ እዮም። 12 ነቲ ርባታት ከንጽፎ፣ ነታ ሃገር ድማ ናብ
ኢድ ሕሱማት ሰብ ክሸጣ እየ። ነታ ሃገርን ኣብኣ ዘሎ ዅሉን ብኢድ ጓኖት ገይረ ኸባድማ እየ። ኣነ
እግዚኣብሄር እየ እተዛረብኩ። 13 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ንጣኦታት ከጥፍኦም፣
ንጣኦታት ከንቱ ኻብ ኖፍ ክጥርሶም እየ። ድሕርዚ ኻብ ሃገር ግብጺ መስፍን ኣይኪኸውንን እዩ፣ ናብ
ሃገር ግብጺ ኸኣ ፍርሃት ከምጽእ እየ። 14 ንጳጥሮስ ከባድማ፣ ኣብ ጾዓን ሓዊ ኽኣጕድ፣ ኣብ ኖ ኸኣ ፍርዲ
ኽገብር እየ። 15 ነድረይ ከኣ ናብ ሲና፣ እታ ዕርዲ ግብጺ፣ ክኽዑ፣ ንህዝቢ ኖ ድማ ከጽንቶ እየ። 16 ኣብ
ግብጺ ሓዊ ኽኣጕድ እየ፣ ሲን ክትጭነቕ እያ፣ ኖ ኽትጠፍእ እያ፣ ንኖፍ ከኣ ጸላእቲ ብመዓልቲ ኽሕዝዋ
እዮም። 17 ኣጕባዝ ኣቤንን ፊቤሴትን ብሰይፊ ኺወድቁ እዮም፣ ንሳተን ከኣ ኪማረኻ እየን። 18 ኣርዑት
ግብጺ ኣብኣ ምስ ሰበርኩ፣ ሓበን ሓይላውን ምስ ተጠረሰ፣ ኣብ ታህፉኔስ መዓልቲ ኽትጽልምት እያ።
ደበና ኼጕልብባ እዩ፣ ኣዋልዳ ድማ ኪማረኻ እየን። 19 ከምዚ ገይረ ኣብ ግብጺ ፍርዲ ኽፈርድ እየ፣
ንሳቶምውን እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 20 ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመት፣ ኣብታ
ቐዳማይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብ ሳብዐይቲ መዓልቲ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣
21 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንቕልጽም ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ሰበርክዎ፣ እንሆ ድማ፣ ሰይፊ ንምሓዝ ምእንቲ
ኽትድልድል፣ ዚሰፉ፣ ፈውሲ ገይረ ኸኣ ብዓለባ ዚዝንና የልቦን። 22 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ንፈርኦን ንጉስ ግብጺ ኣብ ርእሱ ኣሎኹ፣ ነተን ቀላጽሙ፣ ነታ ብርትዕትን ነታ ስብርትን፣
ክሰብረን፣ ነቲ ሰይፊ ኸኣ ካብ ኢዱ ኽውድቖ እየ። 23 ነቶም ግብጻውያን ኣብ ማእከል ህዝብታት
ክዘርዎም፣ ኣብ ኵለን ሃገራት ከኣ ፋሕ ከብሎም እየ። 24 ንቕላጽም ንጉስ ባቢሎን ከበርትዔን፣ ሰይፈይ
ድማ ኣብ ኢዱ ኽትሕዞ እየ፣ ንቕላጽም ፈርኦን ግና ክሰብረን እየ፣ ንሱ ድማ ከምቲ ንሞት እተወግኤ
ሰብኣይ ዚቕንዞ፣ ኣብ ቅድሚኡ ኪቕንዞ እዩ። 25 ንቕላጽም ንጉስ ባቢሎን ከበርትዔን እየ፣ ቀላጽም
ፈርኦን ግና ዘርጋሕ ኢለን ኪወድቃ እየን። ንሰይፈይ ኣብ ኢድ ንጉስ ባቢሎን ምስ ኣትሐዝክዎ፣ ንሱውን
ኣብ ሃገር ግብጺ ማሕማሕ ምስ ኣበሎ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 26 ነቶም
ግብጻውያን ኣብ ማእከል ህዝብታት ክዘርዎም፣ ኣብ ኵለን ሃገራት ከኣ ፋሕ ከብሎም እየ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 31

[1] ኣብ መበል ዓሰርተው ሓደ ዓመት፣ ኣብታ ሳልሰይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብታ ቐዳመይቲ
መዓልቲ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንፈርኦን ንጉስ ግብጽን ነቲ ብዙሕ፣
ብዕቤትካ ንመን ትመስል በሎ፣ [3] እንሆ፣ ኣሶር ጨናፍሩ ዝጽቡቕ፣ ጽላሉ ዝዕሙር፣ ቍመቱ ዝነዊሕ ኦም
ሊባኖስ ነበረ። ጫፉ ኸኣ ኣብ ማእከል ዕሙር ጨናፍር ነበረ። [4] ማያት መገቦ፣ መዓሙቕ ኣዕበዮ፣
ውሒዝ ኣብ ዙርያ እቲ ተተኺልዎ ዘሎ ቦታ ወሐዘ፣ መሳኑኡ ድማ ናብ ኵሉ ኣእዋም መሮር ሰደደ። [5]
ስለዚ ቕመቱ ካብ ኵለን ኣእዋም መሮር ተመልመለ፣ ሳላ እቲ ዜዕምሮ ዝነበረ ብዙሕ ማያት፣ ጨናፍሩ
ብዝሔ፣ ዘፋፍሩ ነውሔ። [6] ኣብቲ ጨናፍሩ ዅለን ኣዕዋፍ ሰማይ ኣባይተን ሰርሓላ፣ ኣብ ትሕቲ ዘፋፍሩ
ድማ ኵሎም እንስሳ መሮር ተዋለዱሉ፣ ኣብ ጽላሉ ኸኣ ኵሎም ዓበይቲ ህዝብታት ይቕመጡሉ ነበሩ። [7]
ሱሩ ኣብ ብዙሕ ማያት ነበረ እሞ፣ ብዕቤቱን ብምናሕ ጨናፍሩን ጽቡቕ ነበረ። [8] ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘሎ
ኣእዋም ሊባኖስ ኪኸውሎ ኣይከኣለን፣ ጽሕድታት ነቲ ጨናፍሩ ኣይተኻኸሎን፣ ጸሊሞ እኳ ኸም
ጨናፍሩ ኣይነበረን፣ ኣብ ገነት ኣምላኽ ካብ ዘሎ ኦምሲ ሓንቲ እኳ ብጽባቐ ኣይተመዐራረዮን። [9] ኣነ
ብብዝሒ ጨናፍሩ ጽቡቕ ገበርክዎ፣ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘለዋ ኣእዋም ኤድን ከኣ ኵላተን ቀንኣሉ። [10]
ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ብቕመት ክብ ስለ ዝበልካ፣ ጫፉ ኣብ ማእከል ዕሙር
ጨናፍር ስለ ዝገበረ፣ ብምኽንያት ቍመቱ ልቡ ስለ እተዐበየ፣ [11] ኣነ ኣብ ኢድ እቲ ሓያል ናይ
ህዝብታት፣ ከም ድሌቱ ኪገብሮስ፣ መጦኽዎ። ብሰሪ ረሲእነቱ ደርቤኽዎ። [12] እቶም ጓኖት፣ ናይ
ህዝብታት ጨካናት፣ ቈረጽዎን ደርበይዎን። ጨናፍሩ ኣብ ኣኽራንን ኣብ ኵሉ ርባርባን ወደቐ፣ ጨንገፉ
ኣብ ኵሉ ኣጻድፍ እታ ሃገር ተደርቀመ። ኵሎም ህዝብታት ምድሪ ኸኣ ካብ ጽላሉ ተዛሕጡ፣
ሐደግዎውን። [13] ኣብ ልዕሊ እቲ ውዱቕ ጕንዲ ዅለን ኣዕዋፍ ሰማይ ተቐመጣ፣ ኵሎም እንስሳ መሮር
ድማ ኣብ ጨንገፉ ሰፈሩ። [14] እተን ኣብ ማይ እተተኽላ ዘበላ ኣእዋም ብቕመተን ከይዕበያን፣ ጫፈን ኣብ
ማእከል ዕሙር ጨናፍር ዚወርዱ ዘለዉ ውሉድ ሰብ ንመዐሙቕ ምድሪ፣ ንሞት ተወፍዮም እዮም
እሞ፣ እተን ማያት ዚሰትያ ዘበላ ዅለን ሓያላት ብትዕቢት ከይቈማስ፣ እዚ ኾነ። [15] እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ ንሱ ናብ ሲኦል ዝወረደላ መዓልቲ ሰብ ከም ዚቚዝሙ ገበርኩ።
ብሰሩ ንመዓሙቕ ኣጒልበብኩ፣ ንወሓይዙ ኸልከልኩ፣ ዓበይቲ ማያት ተዐግተ፣ ብሰሩ ንሊባኖስ
ኣጸለምክዎ፣ ብሰሩ ዅለን ኣእዋም መሮር ሓዘን ኰና። [16] ምስቶም ናብ ጕድጓድ ዚወርዱ ናብ ሲኦል ምስ
ኣውረድክዎም፣ ካብ ደሃይ ምውዳቑ እተላዕለ ንህዝብታት ራዕራዕ ኣበልክዎም። ኵላተን እተን ናይ
ሊባኖስ ሔሕሩያትን ጸጽቡቓትን ኣእዋም ኤድን፣ ማይ ዚሰትያ ዝነበራ ዘበላ ኵለን፣ ኣብቲ መዓሙቕ
ምድሪ ተጸናንዓ። [17] ንሳቶም ድማ፣ ናብቶም ቅልጽሙ ዀይኖም ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣብ ጽላሉ
ተቐሚጦም ዝነበሩ ብሰይፊ እተቐትሉ፣ ምስኡ ናብ ሲኦል ወረዱ። [18] እምበኣረይ፣ ብኽብረትን ዕቤትን
ኣብ ማእከል ኣእዋም ኤድንሲ ንመን ኢኻ እትመስል ከምኡ ኸኣ ንስካ ምስተን ኣእዋም ኤድን ናብ
መዓሙቕ ምድሪ ኽትድርበ ኢኻ፣ ኣብ ማእከል እቶም ዘይተገዝሩ ኣብ ማእከል እቶም ሰይፊ
ዝቐተሎምውን ክትድቅስ ኢኻ። እዚ ፈርኦንን ኵሎም ህዝቡን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

## ምዕራፍ 32

[1] ኰነ ድማ፣ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመት፣ ኣብታ መበል ዓሰርተው ክልተ ወርሒ፣ ካብታ
ወርሒውን ኣብታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [2] ኣታ ወዲ ሰብ፣

ንፈርኦን ንጉስ ግብጺ ድጉዓ መልቀስ ደጉዓሉ፣ በሎውን፣ ንስኻ ኣብ ማእከል ህዝብታት ከም ሽደን
ኣንበሳ፣ ኣብ ባሕርታት ከኣ ከም ገበል ትመስል ነበርካ፣ ኣብ ርባታትካ ጨንደላሕ በልካ፣ በእጋርካ
ማያት ኣናወጽካ፣ ነቲ መሳኑ ድማ ዘርግካዮ። [3] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ብእኩባት
ብዙሓት ህዝብታት ገይረ ኣነ መርበበይ ክዝርግሓልካ እየ፣ ንሳቶም ከኣ ብመርበበይ ኪስሕቡኻ እዮም።
[4] ኣብ ልዕሊ ምድሪ ጻሕ ከብለካ፣ ኣብ መሮር ክድርብየካ፣ ኵለን ኣዕዋፍ ሰማይ ከዕስለልካ እየ። ኣራዊት
ኲላ ምድሪ ድማ ብኣኻ ኽጽግቦም እየ። [5] ንስጋኻ ኣብ ልዕሊ ኣኽራን ከንብሮ፣ ንሽንጭሮታት ከኣ በቲ
ኣሰከሬንካ ኽመልኦ እየ። [6] ነታ እትምሕስላ ዘሎኻ ምድሪ ኽሳዕ ኣኽራን ብደምካ ኽስትያ እየ፣ እቲ
ርባታት ከኣ ብኣኻ ኪመልእ እዩ። [7] ከጥፍኣካ ኸሎኹ፣ ንሰማያት ከጐልብቦ፣ ንኽዋኽብቱ ኸኣ
ከጸልምቶም፣ ንጸሓይ ብደበና ክኸውላ እየ፣ ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን እያ። [8] ንዅሉ ብርሃናት
ሰማይ ብሰርኻ ኽጸልምቶ፣ ኣብ ሃገርካውን ጸልማት ክዝርግሕ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [9]
ወረ ጥፍኣትካ ናብ ህዝብታት፣ ናብ ዘይትፈልጦ ሃገራት ምስ ኣብጻሕኩ፣ ልቢ ብዙሓት ኣህዛብ ከሕዝን
እየ። [10] ንሰይፈይ ኣብ ቅድሚኦም ማሕማሕ ከብሎ ኸሎኹ፣ ንብዙሕት ህዝብታት ብኣኻ ኽሰክሖም
እየ፣ ነገስታቶም ድማ ኣዝዮም ኪርዕዱ እዮም። ብመዓልቲ ውድቀትካ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ኵሉ ጊዜ ስለ
ህይወቱ ራዕራዕ ኪብል እዩ። [11] ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሰይፊ ንጉስ ባቢሎን
ኪለዐለካ እዩ። [12] ነቲ ብዙሕ ህዝብኻ ብሰይፊ እቶም ሓያላት ከውድቖ እየ። ንሳቶም ኲላቶም ካብ
ህዝብታት ዚጭክኑ እዮም። ንሓበን ህዝቡ ኸኣ ኪጠፍእ እዩ። [13] ነቶም ኣብ ጥቓ ብዙህ ማያት ዝነበሩ
ኹሎም እንስሳኡ ኽጥፍእ እየ። ድሕርዚ እግሪ ሰብ ኣይኪዘርጎን ሸኾና እንስሳውን ኣይኪዘርጎን እዩ። [14]
ሽዑ ንማያቶም ከጽርዮ እየ፣ ንርባታቶም ድማ ከም ዘይቲ ኽውሕዞ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።
[15] ነታ ሃገር ግብጺ በረኻ ምስ ገበርክዋ፣ እቲ ነታ ሃገር መሊኡዋ ዝነበረ ምስ ወቓዕክዎም፣ ሽዑ ኣነ
እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። [16] እቲ ዚድጓዕ ድጉዓ መልቀስ እዚ እዩ። ኣዋልድ ህዝብታት
ኬልቅሳኦ፣ ብዛዕባ ግብጽን እቲ ብዙሕ ህዝባን ኬልቅሳላ እየን፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [17] ኰነ
ኸኣ፣ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ዓምት፣ ካብታ ወርሒ ኸኣ ኣብታ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ
መዓልቲ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸኒ፣ [18] ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነቲ ብዙሕ ህዝቢ ግብጺ ኣልቅሰሉ፣
ንእኣን ነተን ኣዋልድ ከቡራት ህዝብታትን ምስቶም ናብ ጉድጓድ ዚወርዱ ናብ መዓሙቕ ምድሪ
ኣውርደን። [19] ብጽባቐስ ካብ መን ትበልጺ ውረዲ፣ ምስቶም ዘይግዙራት ከኣ ደቅሲ። [20] ኣብ ማእከል
እቶም ብሰይፊ እተቐትሉ ኺወድቁ እዮም። እቲ ሰይፊ ተዋሂቡ ኣሎ። ምስቲ ብዙሕ ህዝባ ጓትትዋ። [21]
ካብቶም ጀጋኑስ እቶም ኣውራታት ሓያላት ካብ ውሽጢ ሲኦል ንእኡን ንደገፍቱን ከምዚ ኢሎም
ኪዛረብዎ እዮም፣ እቶም ዘይግዙራት ብሰይፊ እተቐትሉ ወሪዶም፣ ኣብኡ በጥ ኢሎም ኣለዉ። [22] ኣብኡ
ኣሶርን ኲሉ ህዝባን ኣለዉ፣ ኣብ ዙርያኡ መቓብሩ ኣሎ። ኲላቶም ተቐትሉ፣ ብሰይፊ ወደቑ። [23]
መቓብሮም ኣብ መዓሙቕ ጉድጓድ፣ ህዝባ ኸኣ ኣብ ዙርያ መቓብራ ኣሎ። እቶም ኣብ ሃገር ህያዋን
ዜስክሑ ዝነበሩ ኲላቶም ተቐቲሎም ብሰይፊ ወዲቖም እዮም። [24] ኣብኡ ዔላምን ኲሉ ህዝባን ኣብቲ
ዙርያ መቓብራ ኣለዉ። ኲላቶም ተቐትሉ፣ ብሰይፊ ወደቑ፣ ንሳቶም ኣብ ምድሪ ህያዋን ዜሰክሑ ዝነበሩ
ዘይግዙራት ናብ መዓሙቕ ምድሪ ወረዱ፣ ምስቶም ናብ ጉድጓድ ዝወረዱ ኸኣ ነውሮም ተሰከሙ። [25]
ንእኣን ንዅሉ ህዝባን ኣብ ማእከል እቶም ቅቱላት ኣንጸፍሎም። መቓብራ ኣብ ዙርያኣ እዩ። ኣብ ምድሪ
ህያዋን ዜሰክሑ ነበሩ እሞ፣ ኲላቶም ዘይግዙራት ብሰይፊ እተቐትሉ እዮም፣ ነውሮም ድማ ምስትም ናብ
ጉድጓድ ዚወርዱ ተሰከሙ። ኣብ ማእከል ቅቱላት ተነብረ። [26] ኣብኡ መሴክን ቱባልን ምስ ኲሉ ህዝቦም
ኣለዉ። ኣብ ዙርያኣ መቓብር ኣሎ። ኣብ ምድሪ ህያዋን መሰክሒ ስለ ዝነበሩ፣ ኲላቶም ዘይግዙራት

ብሰይፊ እተቐትሉ እዮም። 27 ንሳቶም ከኣ ምስቶም ካብቶም ዘይግዙራት ዝወደቑ ምስ ኣጽዋር ውግኦም
ናብ ሲኦል ዝወረዱ፣ ኣብ ትሕቲ ኣርእስቶም ድማ ኣስያፎም ዘንበሩሎም ጅጋኑ፣ ምሳታቶም ኣይድቅሱን
እዮም። ኣብ ምድሪ ህያዋን መሰኪሕ ጅጋኑ ስለ ዝነበሩ፣ ኣበሳኦም ኣብ ልዕሊ ኣዕጽምቶም እዩ። 28 ንስኻ
ኸኣ ኣብ ማእከል እቶም ዘይግዙራት ክትሰባበር፣ ምስቶም ብሰይፊ እተቐትሉ ድማ ክትድቅስ ኢኻ። 29
ኣብኡ ኤዶምን ነገስታታን ኲሎም መሳፍንታን ኣለዉ። እዚኣቶም ሓይሎም ምስቶም ብሰይፊ እተቐትሉ
ተነብሩ። ምስቶም ናብ ጉድጓድ ዝወረዱን ዘይግዙራትን ደቂሶም ኣለዉ። 30 ኣብኡ እቶም ምስቶም
ቅቱላት ዝወረዱ ኲላቶም መሳፍንቲ ሰሜንን ኲላቶም ሲዶናውያንን ኣለዉ። ብሓይሎም ዜስከሑ
ኽነሶም ነዊሮም፣ ዘይግዙራት ኰይኖም ምስቶም ብሰይፊ እተቐትሉ ይድቅሱ ኣለዉ፣ ምስቶም ናብ
ጉድጓድ ዝወረዱ ኸኣ ነውሮም ይጾሩ ኣለዉ። 31 ፈርኣን ኪርእዮም፣ ስለ ዅሉ ህዝቡ ኸኣ ኪጸናናዕ እዩ።
ፈርኣንን ኲሉ ሰራዊቱን ብሰይፊ ተቐቲሎም እዮ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ 32 ኣነ ኣብ ምድሪ ህያዋን
መሰኪሒ ዚኸውን ከምጽእ እየ እሞ፣ ንፈርኣንን ንዅሉ ህዝቡን ኣብ ማእከል እቶም ዘይግዙራት፣
ምስቶም ብሰይፊ እተቐትሉ በጥ ኪብልዎም እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 33

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንደቂ ህዝብካ ተዛረቦም በሎምውን፣
ኣነ ሰይፊ ናብ ሃገር እንተ ኣምጻእኩ፣ ህዝቢ እታ ሃገር ከኣ ካባታቶም ሓደ ሰብኣይ ሓላዊ ኪዀኖም
እንተ ኣመዘዝዎ፣ 3 ንሱ ኸኣ ሰይፊ ናብታ ሃገር ኪመጽእ እንተ ረኣየ እሞ፣ መለኸት እንተ ነፍሐ፣ ነቶም
ህዝቢ ኸኣ እንተ ኣተንቀቖም፣ 4 ሓደ ነቲ ደሃይ መለኸት ሰሚዑ እንተ ዘይተጠንቀቐ፣ ሰይፊ መጺኡ ኸኣ
እንተ መንከሎ፣ ደሙ ኣብ ርእሱ ኪኸውን እዩ። 5 ደሃይ መለኸት ሰሚዑስ ኣይተጠንቀቐን እሞ፣ ደሙ
ኣብ ርእሱ ኪኸውን እዩ። እንተ ዚጥንቀቕሲ፣ ንነፍሱ መድሐና ነይሩ። 6 እቲ ሓላዊ ግና ሰይፊ ኺመጽእ
ከሎ እንተ ረኣየ፣ መለኸት ድማ እንተ ዘይነፍሐ፣ ነቶም ህዝቢ ኸኣ እንተ ዘየጠንቀቖም፣ ሰይፊ
መጺኡውን ንሓደ ኻባታቶም እንተ መንከሎ፣ ንሱ ብሰሪ ኣበሳኡ ይውሰድ፣ ደሙ ግና ካብ ኢድ እቲ
ሓላዊ እየ ዝደልዮ። 7 እምበኣርሲ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብ ቤት እስራኤል ሓላዊ ገይረ ኣቑመካ እየ፣ ነቲ
ቓል ካብ ኣፈይ ስማዕ እሞ ኣብ ክንዳይ ኴንካ ኣጠንቅቆም። 8 ኣነ ነቲ ረሲእ፣ ኣታ ረሲእ፣ ብርግጽ
ክትመውት ኢኻ፣ እንተ በልክዎ፣ ኢልካ ኺጥንቀቕ፣ እንተ ዘይተዛረብካዮ፣ እዚ ረሲእ ብሰሪ ረሲእነቱ
ኺመውት እዩ፣ ደሙ ግና ካብ ኢድካ እየ ዝደልዮ። 9 ግናኸ ነቲ ረሲእ ካብ መገዱ ኺምለስ እንተ
ኣጠንቀቕካዮ፣ ንሱ ኸኣ ካብ መገዱ እንተ ዘይተመልሰ፣ ንሱ ንሰሪ ረሲእነቱ ኺመውት እዩ፣ ንስኻ ግና
ንነፍስኻ ኣድሓንካያ። 10 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንቤት እስራኤል፣ ንስኻትኩምሲ፣ ኣበሳናን ሓጢኣትናን ኣብ
ርእስና እዩ፣ ንሕና ኸኣ ብሰሩ ንሕለል ኣሎና። ከመይ ጌርና ደኣ ብህይወት ክንነብር ኢና ኢልኩም
ትብሉ ኣሎኹም፣ በሎም። 11 ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ረሲእ ካብ መገዱ ኺምለስ
እሞ ብህይወት ኪነብር እምበር፣ ብሞት ረሲእ ባህ ኣይብለንን እዩ። ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ስለምንታይ
እትሞቱ ካብቲ እኩይ መገድኹም ተመለሱ፣ ተመለሱ፣ በሎም። 12 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንደቂ ህዝብኻ
በሎም፣ ጽድቂ እቲ ጻድቕ በታ ንሱ ዚእብሰላ መዓልቲ ኣይኬድሕኖን እዩ። ረሲእነት እቲ ረሲእ ከኣ፣
በታ ኻብ ርሲእነት ዚምለሰላ መዓልቲ ኣይኬውድቖን እዩ። እቲ ጻድቕሲ በታ ዚእብሰላ መዓልቲ በቲ
ጻድቁ ብህይወት ኣይኪነብርን እዩ። 13 ነቲ ጻድቕ፣ ብርግጽ ብህይወት ክትነብር ኢኻ እንተ በልክዎ፣ ንሱ
ኸኣ ብጽድቂ ተኣሚኑ እንተ ኣበሰ፣ ንሱ ብሰሪ እቲ ዝገበሮ ኣበሳኡ ኺመውት እዩ እምበር፣ እቲ ዅሉ

ጽድቁ ኣይኪዝከረሉን እዩ። [14] ነቲ ረሲእ ድማ፣ ብርግጽ ሞት ክትመውት ኢኻ፣ እንተ በልክዎ፣ ንሱ ኸኣ
ካብ ሓጢኣቱ እንተ ተመልሰ፣ ፍርድን ጽድቅንውን እንተ ገበረ፣ [15] ረሲእስ ታሕዚ እንተ መለሰ፣ ዝዘመቶ
እንተ ኸሐሰ፣ ግፍዒ ኸይገበረ ብሕጋጋት ህይወት እንተ ተመላለሰ፣ ንሱ ርግጽ ብህይወት ኪነብር፣
ኣይኪመውትን ከኣ እዩ። [16] እቲ ዝገበሮ ዘበለ ኹሉ ሓጢኣቱ ኣይኪዝከረሉን። ፍርድን ጽድቅን ገይሩ እዩ
እሞ፣ ርግጽ ብህይወት ኪነብር እዩ። [17] ደቂ ህዝብኻ ኸኣ፣ መገዲ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ኣይኰነን፣ ይብሉ
ኣለዉ። ግናኸ ኣይቅኑዕሲ መገዲ ርእሶም ደኣ እዩ። [18] ጻድቕ ካብ ጽድቁ እንተ ተመልሰ፣ ዓመጻ ኸኣ
እንተ ገበረ ብሰራ ኺመውት እዩ። [19] ረሲእውን ካብ ረሲእነቱ እንተ ተመልሰ፣ ፍርድን ጽድቅን ድማ
እንተ ገበረ፣ ሳላኤን ብህይወት ኪነብር እዩ። [20] ንስኻትኩምሲ፣ መገዲ እግዚኣብሄር ቅኑዕ ኣይኰነን፣
ትብሉ ኣሎኹም። ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ንነፍሲ ወከፍኩም ከከም መገድኹም ክፈርደኩም እየ። [21]
ኰነ ድማ፣ ካብ እንማረኽ ኣብ መበል ዓሰርተው ክልተ ዓመቱ፣ ኣብታ ዓስረይቲ ወርሒ፣ ነታ ወርሒ
ኸኣ ኣብታ ሓምሰይቲ መዓልቲ፣ ሓደ ዘምለጠ ሰብኣይ ካብ የሩሳሌም ናባይ መጸ እሞ፣ እታ ኸተማስ
ተትሒዛ፣ በለኒ። [22] እቲ ዘምለጠ ኸይመጸ ኸሎ፣ ኣጋ ምሸት ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ መጺኣ
ነበረት፣ ንጽባሒቱ ንሱ ኽሳዕ ዚመጸኒ ኸኣ፣ ኣፈይ ከፈተለይ። በዚ ኸምዚ ኣፈይ ተኸፍተለይ፣ ድሕርዚ
ኸኣ ዓባስ ኣይኰንኩን። [23] ከምዚ ዚብል ቃል፣ እግዚኣብሄር ድማ መጸኒ፣ [24] ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቶም
ኣብተን ዑናታት እታ ሃገር እስራኤል ዘለዉ፣ ኣብርሃም ሓደ ንበይኑ ነበረ ነዛ ሃገር እዚኣ ኸኣ ተረስተያ።
ንሕና ግና ብዙሓት ኢና፣ እታ ሃገር ድማ ርስቲ ኽትከውን ንኣና ተዋሂባ እያ፣ ይብሉ ኣለዉ። [25] ስለዚ፣
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮም፣ ምስ ደም ጌርኩም ትበልዑ ኣሎኹም፣
ኣዒንትኹም ድማ ናብ ጣኦታትኩም ቍሊሕ ይብላ ኣለዋ' ደም ትኽዕዉ ኣሎኹም፣ ምስናይ እዝስ ነታ
ሃገር ያኣይ ክትወርስዋ ኢኹም [26] ኣብ ሰይፍኹም ትጽግዑ፣ ጽያፍ ትገብሩ ኣሎኹም፣ ነፍሲ ወከፍኩም
ንሰበይቲ ብጻዩ የርክስ ኣሎ፣ ምስ ናይ እዝስ ነታ ሃገር ያኣይ ክትወርስዋ ኢኹም [27] እግዚኣብሄር
ኣምላኽሲ ኸምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ነሮም፣ ኣነ ህያው እየ፣ እቶም ኣብ ዑናታት ዚነብሩ ብርግጽ
ብሰይፊ ኺወድቁ እዮም፣ ነቲ ኣብ መሮር ዘሎ ኸኣ ንኣራዊት ብልዒ ኪኸውን ክውፍዮ እየ። እቶም ኣብ
ዕርድን ኣብ በዓትታትን ዚነብሩ ድማ ብፌራ ኪሞቱ እዮም። [28] ኣነ ነታ ሃገር እቲኣ ምድረ በዳን
መሰክሕን ክገብራ እየ። እቲ እትዕበየሉ ሓይላ ጥራስ ኪጠፍእ እዩ። ኣኽራን እስራኤል ድማ ዚሐልፈሉ
ዜብሉ ኹይኑ ኺባድም እዩ። [29] ብሰሪ እቲ ዝገበርዎ ዘበለ ኹሉ ጽያፎም ነታ ሃገር እቲኣ ምድረ በዳን
መስክሕን ምስ ገበርክዋ፣ ንሳቶም ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። [30] ኣታ ወዲ ሰብ፣ እቶም
ደቂ ህዝብኻ ኣብ ጥቓ መንደቕን ኣብ ኣፍ ደጌታት ኣባይትን ኰይኖም ብዛዕባኻ ይዛራረቡ ኣለዉ፣
ንድሓሕዶም ነፍሲ ወከፍ ንሓዉ፣ እስከ ንዑናይ፣ ካብ እግዚኣብሄር ዚወጽእ ቃል እንታይ ከም ዝኾነ
ስምዑ፣ ይባሃሀሉ ኣለዉ። [31] ከም ኣመጻጽኣ ህዝቢ ድማ ኣባኻ ይመጹ፣ ከም ህዝበይ ከኣ ኣብ ቅድሜኻ
ይቕመጡ፣ ቃላትካውን ይሰምዑ ኣለዉ፣ ግናኸ ኣይገብርዎን እዮም። ብኣፎም ፍቕሪ የርእዩ ኣለዉ፣
ልቦም ግና ደድሕሪ ረብሓ ርእሶም እዩ ዚኸይድ። [32] እምበኣርሲ ንስኻ ኸም ቅኔ ፍቕሪ፣ ከምቲ ጥዑም
ድምጺ ዘለዎ፣ ምህራም መሰንቆ ኸኣ ዚኽእል ኰንካዮም። ቃልካውን ይሰምዑ ኣለዉ፣ ግናኸ
ኣይገብርዎን እዮም። [33] ምስ ዚመጽእ ግና፦ እንሆ፣ ይመጽእ ኣሎ፦ ሸዑ ነብዩ ኣብ ማእከሎም ከም
ዝነበረ ኺፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 34

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ኣብቶም ጓሶት እስራኤል ተነበ፣ ነቶም
ጓሶት ተነበየሎም፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮም፣ ነቶም ንርእሶም ጥራይ
ዚጓስዩ ጓሶት እስራኤል ወይለኦም። እቶም ጓሶትሲ ነተን ኣባጊዕዶ ኣይኰኑን ዚጓስዩ 3 ነቲ ስቡሕ
ትበልዑ፣ ጸምሪ ትኽደኑ፣ ነቲ ዝሰብሔ ትሐርዱ፣ ነቲ መጓሰ ግና ኣይትኣልዩን። 4 ንዝሐመቓ
ኣየበርታዕኩምን፣ ንዝሐመመት ኣይፈወስኩምን፣ ንተሰብረት ኣይዘነንኩምን፣ ንተባረረት
ኣይመለስኩምን፣ ንዝጠፍኤት ኣይደሌኹምን፣ ብሓይልን ብትርን ደኣ ገዛእኩምወን። 5 ጓሳ ስለ ዘይነበረን
ፋሕ በላ፣ ንዅሎም ኣራዊት መሮር ከኣ ብልዒ ኾና፣ ፋሕውን በላ። 6 ኣባጊዔይ ኣብ ኵሉ ኣኽራንን ኣብ
ኵሉ ነነዋሕቲ ዅርባታትን ተባረራ፣ ኣብ ኵሉ ዝባን ምድሪ ፋሓ በላ፣ ግደን ዚገብርን ዚደልየንን ከኣ
የልቦን። 7 ስለዚ፣ ኣቱም ጓሶት፣ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፣ 8 ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣
ኣባጊዔይ ተዘሪፈን፣ ኣባጊዔይ ከኣ ንዅሎም ኣራዊት መሮር ብልዒ ኾይነን፣ እቶም ጓሶት ኣይነበሩን፣
ጓሶትይ ግዲ ኣባጊዔይ ኣይገበሩን፣ እቶም ጓሶት ንርእሶም ጓሰዩ እምበር፣ ነባጊዔይሲ ኣይጓሰይወንን
እዮም እሞ፣ 9 ስለዚ፣ ኣቱም ጓሶት፣ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፣ 10 እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ እንሆ፣ ኣብቶም
ጓሶት እጥልቕ ኣሎኹ፣ ኣባጊዔይ ከኣ ካብ ኢዶም ክደልየን እየ። እቶም ጓሶት መሊሶም ንርእሶም
ከይጓስዩስ፣ ጒስነት ኣባጊዔይ ከሕድጎም እየ። ድሕርዚ ቐለቦም ከይኾና ድማ፣ ካብ ኣፎም ክምንዝዔን
እየ፣ ይብል ኣሎ። 11 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እኔኹ ኣነ ባዕለይ፣ ኣነ ነተን
ኣባጊዔይ ክኣልየንን ክደልየንን እየ። 12 ከምቲ ጓሳ፣ በታ እተን መጓሲኡ ፋሕ ዚብላላ መዓልቲ ኣብ
ማእከል ኣባጊዑ ጸኒሑ ዚደልየን፣ ከምኡ ድማ ኣነ ነባጊዔይ ክደልየን፣ ካብ ኵሉ እት ብመዓልቲ ደበናን
ጸልማትን ፋሕ ኢለናኦ ዝነበራ ቦታ ኸኣ ከናግፈን እየ። 13 ካብ ህዝብታት ከውጽኤን፣ ካብ ሃገራት
ክእከበን፣ ናብ ሃገረን ድማ ክመልሰን፣ ኣብ ኣኽራን እስራኤልን ኣብ ጥቓ ወሓዚ መስኖ ኣብቲ ሰብ
ዚነብረሉ ኵሉ ቦታ እታ ሃገርን ክጓስየን እየ። 14 ኣብ ልሙዕ መጓስዪ ኽውፍረን እየ፣ ደምቢኤን ከኣ
ኣብቲ ነዋሕቲ ኣኽራን እስራኤል ኪኸውን እዩ። ኣብኡ ኣብ ጽቡቕ ደምበ ኺድቅሳ፣ ኣብ ስቡሕ
መውፈሪ ኣብ ኣኽራን እስራኤል ኪጓሰያ እየን። 15 ኣነ ባዕለይ ነባጊዔይ ክወፍረን ባዕለይ ድማ ከስፍረን
እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 16 ዝጠፍኤት ክደሊ፣ እተባረረት ክመልስ፣ እተሰብረት ክዘንን፣
ዝሐመቐት ከኣ ከጽንዕ፣ ነታ ዝሰብሔትን ዝበርትዔትን ግና ከጥፍእ፣ ብፍርዲውን ክጓስየን እየ። 17
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣትን ኣባጊዔይ፣ እንሆ፣ ኣነ ኣብ መንጎ በጊዕን በጊዕን፣ ኣብ
መንጎ ደዓውልን ደባሉን ክፈርድ እየ። 18 ነቲ ካብ መውዓሊኹም ዝተረፈ በእጋርኩም እትረግጽዎስ፣
ኣብቲ ልሙዕ ሸኻ ምውዓልዶ ውሒድኩም እዩ ነቲ ዝተረፈ ማይ ምስታይዶ ውሒድኩም እዩ 19 እሞ
እተን ኣባጊዔይሲ እቲ በእጋርኩም እተረግጸዶ ኺበልዓ፣ እቲ ኣእጋርኩም ዝዘረጎስ ኪሰትያ እየን 20 ስለዚ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እኔኹ፣ ኣነ ባዕለይ ኣብ መንጎ እተን ስቡሓት ኣባጊዕን እተን
ዓባሩ ኣባጊዕን ክፈርድ እየ። 21 ንዅለን እተን ዝሐመቓ ዘበላ ኽሳዕ ሰጒጒኩም ፋሕ እተብልወን፣
ብጐድንን ብመንኩብን ስለ ዝጐነጽኩምወን፣ በቕርንትኹም ድማ ስለ ዝወጋእኩምወን፣ 22 ስለዚ ኣነ
ነባጊዔይ፣ ድሕርዚ ንዘመተ ኸይውፈያ፣ ከድሕነን ኣብ መንጎ በጊዕን በጊዕን ከኣ ክፈርድ እየ። 23 ኣነ ኸኣ
ዚጓስየን ሓደ ጓሳ፣ ዳዊት ባርያይ፣ ከተንስኣለን እየ። ንሱ ኺጓስየን፣ ጓሳኤን ድማ ኪኸውን እዩ። 24 ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኾም ክኸውን እየ፣ ዳዊት ባርያይውን ኣብ ማእከሎም መስፍን ኪኸውን እዩ፣ ኣነ
እግዚኣብሄር ተዛሪበ ኣሎኹ። 25 ኣነ ምሳታተን ኪዳን ሰላም ክኣቱ፣ ንኽፉኣት ኣራዊት ካብ ሃገር
ከጥፍኦም እየ። ንሳተን ከኣ ኣብ በረኻ ሀዲኤን ኪነብራ፣ ኣብ ዱርውን ኪድቅሳ እየን። 26 ኣነ ኸኣ
ንእኤንን ነቲ ኣብ ዙርያ ኹርባይ ዘሎ ቦታን ንበረኸት ክገብሮም እየ። ዝናም ብግዜኡ ኽውርድ እየ፣

ዝናም በረኸትውን ኪኸውን እዩ። 27 ኦም መሮር ፍሪኡ ኼፍሪ እዩ፣ ምድሪውን ብቑላ ኸትህብ እያ፣
ኣብ ሃገሮም ከኣ ሀዲኦም ኪነብሩ እዮም። ኣነ ሰንሰለት ኣርዑቶም ምስ ሰበርኩ፣ ካብ ኢድ እቶም ባሮት
ዝገበርዎም ከኣ ምስ ኣናገፍክዎም፣ ሽዑ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 28 ድሕርዚ ዘመተ
ህዝብታት ኣይኪኾኑን እዮም፣ ኣራዊት ምድሪ ኸኣ ኣይኪበልዕዎምን እዮም። ኤረ ሀዲኦም ኪነብሩ
እዮም፣ ዜፍርሆምውን የልቦን። 29 ንናእዳ ዚኾኖም ተኽሊ ኸተንስኣሎም እየ፣ ድሕርዚ ኸኣ ኣብታ ሃገር
ብጥሜት ኣይኪጠፍኡን፣ ድሕሪ ደጊም ድማ ጸርፊ ህዝብታት ኣይኪጸሩን እዮም። 30 ኣነ እግዚኣብሄር
ኣምላኾምሲ ምሳታቶም ከም ዝኾንኩ ኺፈልጡ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 31 ኣቱም
ኣባጊዔይ፣ ኣባጊዕ መውፈረይ፣ ንስኻትኩም ሰብ ኢኹም፣ ኣነ ኸኣ ኣምላኽኩም እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

## ምዕራፍ 35

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ከረን ሳዒር ኣብል ተነበየሉ
ኸኣ፣ 3 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮ፣ ኣታ ኸረን ሳዒኢር፣ እኔኹ
እጥልቓልካ ኣሎኹ፣ ኢደይ ኣባኻ ኸዝርግሕ እየ እሞ ባድን በረኻን ክገብረካ እየ። 4 ንኸተማታትካ
ኸዕንወን እየ፣ ንስኻ ድማ ክትባድም ኢኻ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይውን ክትፈልጥ ኢኻ። 5 ናይ ሓዋሩ
ጽልኢ ስለ ዝገበርካ፣ ንደቂ እስራኤል በቲ ጊዜ ጸበባኦምን በቲ ኣበሳኦም እተፈጸመሉ ጊዜስ ንኣደዳ ሰይፊ
ስለ ዝወፈኻዮም፣ 6 ስለዚ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንደም ክውፍየካ እየ፣ ደም ከኣ
ኪሰጐካ፣ ደም ኣይጸላእካን እሞ፣ ደም ኪሰጐካ እዩ። 7 ንኸረን ሳዒር ባድን በረኻን ክገብሮ፣ ነቲ ብእኡ
ዚኸይድን ዚምለስን ድማ ከጽንቶ እየ። 8 ነኸራኑ ብቕቱላቱ ኽመልእ እየ። ኣብቲ በረኽትካን ኣብ
ሸንጭሮታትካን ኣብ ኵሉ ርባርባታትካን ብሰይፊ እተቐትሉ ኺወድቁ እዮም። 9 ንሓዋሩ ምድረ በዳ
ኽገብረካ እየ፣ ከተማታትካ ድማ ሰብ ዘይነብረለን ኪኾና እየን። ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ
ክትፈልጡ ኢኹም። 10 እግዚኣብሄር ኣብኣ ኸሎስ፣ ንስኻ፣ እዞም ክልተ ህዝብን እዘን ክልተ ሃገርን ናተይ
ኪኾና፣ ንሕና ኽንወርሶም ኢና፣ ኢልካ ኢኻ እሞ፣ 11 ስለዚ፣ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፣ ኣነ ኸምቲ ኹራኻን፣ ከምቲ ጸሊእካ ዝገበርካዮም ቅንኣትካን ክገብር እየ። ምስ ፈረድኩኻ
ኸኣ፣ ኣብ ማእከሎም ርእሰይ ከፍልጥ እየ። 12 እቲ ነኸራን እስራኤል፣ በረኻ ኾይኑ፣ ብልዒ ኪኸውን
ድማ ንኣና ተወፍዩ እዩ፣ ኢልካ እተዛረብካዮ ኵሉ ጸርፍኻ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝሰማዕክዎ ኸትፈልጥ
ኢኻ። 13 ንስኻትኩም ብኣፍኩም ከም እተዐቤኹምለይን ዘረባ ኸም ዘብዛሕኩምለይን፣ ሰሚዔዮ
ኣሎኹ። 14-15 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ፣ ኵላ ምድሪ ኽትሕጐስ ከላ፣ ኣነ ኽባድመካ እየ፣ ከምቲ
ብምብዳም ርስቲ ቤት እስራኤል እተሐጐስካዮ፣ ከምኡ ኸውርደልካ እየ። ኣታ ኸረን ሳዒር፣ ክትባድም
ኢኻ፣ ኵላ ኤዶም ብዘላውን ከምኡ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከ ኪፈልጡ እዮም፣ ይብል ኣሎ።

## ምዕራፍ 36

1 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነኸራን እስራኤል ተነበየሎም፣ ኣቱም ኣኸራን ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፣ ከኣ በሎም።
2 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቲ ጸላኢ፣ ኣሰይ፣ እቲ ናይ ጥንቲ በረኽቲ ርስትና ኾነ፣
ኢሉ ብዛዕባኹም ተዛሪቡ እዩ እሞ፣ 3 ስለዚ ተነበ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን

ንገር፣ ነቶም ዝተረፉ ህዝብታት ርስቶም ምእንቲ ኽትኰኑስ፣ ንሳቶም ብኹሉ ወገን ኣባዲሞምኹምን
ውሒጦጦምኹምን፣ መዛረብ ልሳንን መሕመዪ ህዝብን ከኣ ኴንኩም ኢኹም እሞ፣ 4 ስለዚ፣ ኣቱም
ኣኽራን እስራኤል፣ ቃል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ስምዑ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነኽራንን ንኹድኹዶታትን
ንርባታትን ንሸንጭሮታትን ንዝባደመ ዑናታትን ነተን እተሐድጋ እሞ ነቶም ኣብ ዙርያኤን ዝተረፉ
ህዝብታትሲ ንዘመተን ልግጫን ኰይነን እተወፈያ ኸተማታትን ከምዚ ይብል ኣሎ፣ 5 ስለዚ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ነቶም ብምሉእ ልቦም ተሐጒሶም፣ ብነፍሶም ንዒቖም፣ ዘመተ
ኽትከውንሲ፣ ነታ ሃገረይ እተረስተየዋ ተረፍ ህዝብታትን፣ ብዘሎ ኤዶምን ብሓዊ ቕንኣተይ ተዛረብኩ። 6
እምብኣርሲ ነኽራንን ንኹድኹዶታትን ንርባታትን ንሸንጭሮታትን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ እንሆ፣
ንስኻትኩም ነውሪ ህዝብታት ስለ እተሰከምኩም፣ ኣነ ብቕንኣተይን ብነድረይን ተዛረብኩ፣ ይብል ኣሎ
ኢልካ ብዛዕባ ሃገር እስራኤል ተነበ። 7 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣነ ኢደይ
ኣልዒለ እየ፣ እዞም ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ህዝብታት ንሳቶም ነውሮም ኪስከሙ እዮም። 8-9 ግናኸ፣
ኣቱም ኣኽራን እስራኤል፣ እኔኹ ናባኻትኩም ክመጽእ፣ ናባኻትኩምውን ከብል እየ። ንስኻትኩም ከኣ
ክትሕረሱን ክትዝርኡን ኢኹም እሞ፣ ምምላሶም ስለ ዝቐረበ፣ ንህዝበይ እስራኤል ጨናፍርኩም
ኪጭብጭብ፣ ፍሬኹም ከኣ ኪፈሪ እዩ። 10 ኣባኻትኩም ንኹሉ ብዛላ ቤት እስራኤል ከኣ ሰብ ከብዝሓላ
እየ። ከተማታት ኪሰፈር፣ ዑናታት ድማ ኪስራሕ እዩ። 11 ኣነ ኸኣ ኣባኻትኩም ሰብን እንስሳን ከብዝሕ
እየ፣ ንሳቶም ድማ ኪባዝሑን ኪፋረዩን እዮም። ከምቲ ናይ ቀደምኩም መሓድር ክገብረኩም እየ፣ ካብቲ
ናይ መጀመርታኹም ዝበለጸ ኸኣ ሰናይ ክገብረልኩም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይውን ክትፈልጡ
ኢኹም። 12 ንሰብ፣ ህዝበይ እስራኤል፣ ኣባኻትኩም ከመላልሶም እየ። ኪወርሱኻ እዮም፣ ርስቶም ከኣ
ክትከውን ኢኻ፣ ድሕርዚውን ውሉድ ዜብሎም ኣይክትገብሮምን ኢኻ። 13 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ሰብ በሊዕኪ፣ ንህዝብኺ ኸኣ ውሉድ ዜብሉ ጌርክዮ ኢኺ፣ ይብሉኹም ኣለዉ እሞ፣ 14
ስለዚ ድሕርዚ ሰብ ኣይክትበልዕን፣ ንህዝብኺውን ውሉድ ዜብሉ ኣይክትገብርዮን ኢኺ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 15 ደጊምሲ ነውሪ ኣህዛብ ኣይክስምዓክን እየ፣ ልግጫ ህዝብታት ኣይክትጾርን፣
ድሕርዚውን ንህዝብኺ ኣይከተዐንቅፍዮምን ኢኺ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 16 ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 17 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ቤት እስራኤል ኣብ ሃገሮም ከለዉ፣ ብመገዶምን ግብሮምን
የርክስዋ ነበሩ። መገዶም ኣብ ቅድመይ ከም ርኽሰት ጽግያት ሰበይቲ ነበረ። 18 ሽዑ ብሰሪ እቲ ኣብታ
ሃገር ዝኸዓውዎ ደምን ብጣኦታቶም ከኣ ስለ ዘርከስዋን ኲራይ ከፖኹሎም። 19 ኣብ ማእከል ህዝብታት
ዘሮኽዎም፣ ኣብ ሃገራት ከኣ ፋሕ በሉ፣ ኣነውን ከም መገዶምን ከም ግብሮምን ፈረድክዎም። 20
ብዛዕባኦም ከኣ እዚኣቶም ይኣይ ህዝቢ እግዚኣብሄር እዮም፣ ካብ ሃገሩ ወጺኦም፣ እናተባህለስ፣ ኣብ
ዘዝኣተውዎም ኣህዛብ ምስ በጽሑ፣ ነቲ ቅዱስ ስመይ ኣርከስዎ። 21 ኣነ ግና ነቲ ቤት እስራኤል ኣብ
ዘዝኣተውዎም ህዝብታት ዘርከስዎ ቅዱስ ስመይ ነሐፍክዎ። 22 ስለዚ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንቤት እስራኤል ንገሮም፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እዚ ምእንቲ እቲ ኣብ
ዘዝኣተኽምዎም ህዝቢ ዘርከስኩምዎ ቅዱስ ስመይ እየ እምበር፣ ምእንታኹም ኣይኰንኩን ዝገብሮ
ዘሎኹ። 23 ነቲ ኣብ ህዝብታት ዝረኸሰ፣ ኣብ ማእከሎም ዘርከስኩምዎ ዓብዪ ስመይ ክቕድሶ እየ። ኣብ
ቅድሚ ኣዒንቶም ኣባኻትኩም ምስ ተቐደስኩ ኸኣ፣ እቶም ህዝብታት ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ
ኪፈልጡ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 24 ካብ ህዝብታት ከምጽኣኩም፣ ካብ ኵሉ ሃገራት ከኣ
ክኣኻኽበኩም እየ፣ ናብ ሃገርኩምውን ክመልሰኩም እየ። 25 ጽሩይ ማይ ክነጽገልኩም እየ እሞ ክትጸርዩ
ኢኹም። ካብ ኵሉ ርኽሰትኩምን ካብ ኵሎም ጣኦታትኩምን ክጽርየኩም እየ። 26 ሓድሽ ልቢ ድማ

ክህበኩም፣ ሓድሽ መንፈስ ከኣ ክሕድረልኩም፣ ናይ እምኒ ልቢ ኻብ ስጋኹም ከውጽእ፣ ናይ ስጋ
ልቢውን ክህበኩም እየ። 27 ንመንፈሰይ ኣብ ውሽጥኹም ክሕድሮ፣ ብትእዛዛተይ ከመላልሰኩም፣ ፍርደይ
ክሓልወኩምን ክግብረኩምን እየ። 28 ኣብታ ነቦታትኩም ዝሀብኩዋ ሃገር ክትነብሩ፣ ህዝቢ ኸኣ ክትኰኑኒ
ኢኹም፣ ኣነውን ኣምላኽ ክኾነኩም እየ። 29 ካብ ኵሉ ርኽሰትኩም ከኣ ከናግፈኩም፣ ንእኽሊ
ኽጽውዖን ክብዝሖን እየ፣ ድሕርዚውን ጥሜት ኣይከምጽኣልኩምን እየ። 30 ድሕርዚ ኣብ ማእከል
ህዝብታት ጸርፊ ጥሜት ከይትጸሩስ፣ ፈረ ኦምን ፍርያት ግራትን ክብዝሖ እየ። 31 ሽው ነቲ እኩይ
መገድታትኩምን ነቲ ዘይሰናይ ተግባራትኩምን ክትዝክሩ፣ ብሰሪ ኣበሳኹምን ጽያፍኩምን ከኣ
ንርእስኹም ክትፍንፍኑ ኢኹም። 32 ኣቱም ቤት እስራኤልሲ፣ እዚ ምእንታኹም ኢለ ኸም ዘይገብሮ፣
ኣባኻትኩም ይፈለጥ፣ ብሰሪ መገድታትኩም ሕፈሩን ነውሩን፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 33
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣በታ ኣነ ንኣኻትኩም ካብ ኵሉ ኣበሳኹም ዘንጽሃላ መዓልቲ፣
ነተን ከተማታት ሰብ ከም ዚነብረን፣ እቲ ዑናታት ከኣ ከም ዚስራሕ ክገብሮ እየ። 34 እታ ዝባደመት
ምድሪ፣ ኣብ ክንዲ እቲ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ዅሎም ሓለፍቲ መገዲ ባዲማቶ ዝነበረት፣ ክትሕረስ እያ። 35
ሽው ኸኣ፣ እዛ ባዲማ ዝነበረት ምድሪ ኸም ገነት ኤደን ኰነት፣ እተን ዝባደማን ዝዓነዋን ዝፈረሳን
ከተማታት ድማ እተዐርዳን፣ ሰብ ዚነብረለንን ኰና፣ ኪበሀል እዩ። 36 እቶም ኣብ ከባቢኹም ዝተረፉ
ህዝብታት ከኣ ኣነ እግዚኣብሄር ነቲ ዝፈረሰ ኸም ዝሰራሕክዎ፣ ነቲ ዝበረሰውን ከም ዝተኸልክዎ
ኺፈልጡ እዮም። ኣነ እግዚኣብሄር ተዛሪበ ኣሎኹ፣ ክገብሮ ድማ ኣየ። 37 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ምስናይ እዚ፣ ንቤት እስራኤል እዚ ኽገብረሎም እየ። ነቶም ሰብ ከም መጓሴታት ኣባጊዕ
ክብዝሖም እየ። 38 ከምተን ዝተቐደሳ መጓሰ፣ ከምተን መጓሰ የሩሳሌም ኣብቲ በዓላታ ኸምኡ እተን
ዝባደማ ኸተማታት ብመጓሴታት ሰብ ኪመልኣ እየን። ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም።

# ምዕራፍ 37

1 ኢድ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕለይ ነበረት፣ እግዚኣብሄር ከኣ ብመንፈስ ኣውጽኣኒ፣ ኣብ ማእከል እታ
ጐልጐል ድማ ኣንበረኒ፣ ንሳውን ዓጻጽምቲ መሊኣዋ ነብረ። 2 ኣብ ጥቓኦም ብዙርያኦም ኣሕለፈኒ፣ እንሆ
ኸኣ፣ ኣብቲ ዝባን ጐልጐል ብዙሕ ነበረ፣ እንሆውን፣ ኣዝዩ ንቑጽ ነበረ። 3 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እዚ
ዓጻጽምቲ እዝስ ህያውዶ ኪኸውን እዩ በለኒ። ኣነ ድማ፣ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ንስኻ ትፈልጥ፣ ኢለ
መለስኩ። 4 ንሱ ኸኣ፣ ኣብ ልዕሊ እዚ ዓጻጽምቲ እዚ ተነበ፣ ኣቱም ንቑጻት ዓጻጽምቲ፣ ቃል እግዚኣብሄር
ስምዑ፣ ኢልካውን ንገሮም፣ በለኒ። 5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነዚ ዓጻጽምቲ እዚ ኸምዚ ይብል ኣሎ፣
እንሆ፣ ኣነ ትንፋስ ከእትወልኩም እየ፣ ንስኻትኩም ከኣ ህያዋን ክትኰኑ ኢኹም። 6 ጅማውቲውን
ኽንብረልኩም፣ ስጋ ኽገብረልኩም፣ ብቈርበት ክኸድነኩም፣ ትንፋስ ከእትወልኩም እየ፣ ህያዋን ከኣ
ክትኰኑ ኢኹም፣ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ድማ ክትፈልጡ ኢኹም። 7 ከምቲ እተኣዘዝክዎ ኸኣ
ተነቤኹ። ክንበ ኽሎኹ ድማ ደሃይ ኰነ፣ እንሆ ኸኣ፣ ፍኒሕኒሕ ኰነ፣ እቲ ዓጻጽምቲውን ዓጽሙ
ተቓራረበ። 8 እንሆ ኸኣ፣ ጅማውትን ስጋን ኪወጾም፣ ቈርበት ድማ ኪኸድኖም ርኤኹ፣ ትንፋስ ግና
ኣይነበሮምን። 9 ሽው ንሱ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ተነበ፣ ንንፋስ ተነበየሉ፣ ንንፋስ ከኣ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣
ኣታ ትንፋስ፣ እዞም ህያዋን ኪኾኑስ፣ ካብቶም ኣርባዕተ ንፋስ ንዓ እሞ ኣብዚኦም ንፈስ፣ ይብል ኣሎ፣
ኢልካ ንገሮ ፣ በለኒ። 10 ኣነ ኸኣ ኸምቲ ዝኣዘዘኒ ተነቤኹ፣ ትንፋስ ድማ ኣተዎም። ህያዋን ኰኑ፣
በእጋሮም ከኣ ቘሙ፣ ኣዝዩ ዓብዪ ጭፍራ ነበሩ። 11 ሽው ንሱ በለኒ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እዚ ዓጻጽምቲ እዚ

ኹላ ቤት እስራኤል እዮም። እንሆ፣ ንሳቶም፣ ዓጸጽምትና ነቒጸ፣ ተስፋና ተቐብጸ፣ ንሕና ጠፊእና ኢና፣
ይብል ኣለዉ። 12 ስለዝተነበ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮም፣ እንሆ፣ ኣነ
መቓብራትኩም ክኸፍት፣ ኣቱም ህዝበይ፣ ካብ መቓብራትኩም ድማ ከውጽኣኩም፣ ናብ ሃገር
እስራኤልውን ከእትወኩም እየ። 13 ኣቱም ህዝበይ፣ መቓብራትኩም ምስ ከፈትኩ፣ ካብ መቓብራትኩም
ከኣ ምስ ኣውጽእኩኹም፣ ኣነ ኣግዚኣብሄር ምዃነይ ክትፈልጡ ኢኹም። 14 መንፈሰይ ከሕድረልኩም
እየ፣ ህያዋን ከኣ ክትኮኑ ኢኹም፣ ናብ ሃገርኩም ድማ ከንብረኩም እየ እሞ፣ ኣነ እግዚኣብሄር ከም
እተዛረብኩን ከም ዝገበርክዎን ክትፈልጡ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር። 15 ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 16 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ሓደ ዕጨይቲ ውሰድ እሞ፣ ንይሁዳን ንደቂ እስራኤል
ብጾቱን፣ ኢልካ ጽሐፈሉ። ድሕሪኡውን ካልእ ዕጨይቲ ውሰድ እሞ፣ ንዮሴፍ ዕጨይቲ ኤፍሬምን ኵላ
ቤት እስራኤል ብጾቱን፣ ኢልካ ጽሐፈሉ። 17 ሓደ ዕጨይቲ ኪኸውንሲ፣ እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኣጋጥሞ፣
ኣብ ኢድካ ኸኣ ሓደ ክኸውን እዩ። 18 እቶም ደቂ ህዝብኻ ድማ፣ በዝስ እንታይ ከም ዝኾነ ሓሳብካዶ
ኣይትገልጸልናን ኢኻ ኢሎም ምስ ተዛረቡኻ፣ 19 ንስኻ ኸኣ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ኢልካ ንገሮም፣ እንሆ፣ ኣነ ነቲ ኣብ ኢድ ኤፍሬምን ነገድ እስራኤል ብጾቱን ዘሎ ዕጨይቲ ዮሴፍ
ክወስድ፣ ኣብቲ ዕጨይቲ ይሁዳ ኸኣ ክድርቦም፣ ኣብ ኢደይ ሓደ ኪኾኑስ፣ ሓደ ዕጨይቲ ኽገብሮም
እየ። 20 እቲ ዝጸሓፍካሉ ዕጨይቲ ድማ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ኣብ ኢድካ ኪኸውን እዩ። 21 እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮም፣ እንሆ፣ ኣነ ንደቂ እስራኤል ካብ ማእከል እቶም
ከይዶምዎም ዘለዉ ህዝብታት ክወስድ፣ ካብ ኵሉ ወገን ክእክቦም ናብ ሃገሮምውን ከእትዎም እየ። 22
ኣብታ ሃገር ኣብ ኣኽራን እስራኤል ከኣ ሓደ ህዝቢ ኽገብሮም እየ፣ ንኹላቶም ሓደ ንጉስ ኪነግሶም እዩ፣
ድሕርዚ ድማ ክልተ ህዝቢ ኣይኪኾኑን፣ ድሕርዚውን ኣብ ክልተ መንግስቲ ኣይኪምቀሉን እዮም። 23
ድሕርዚ ደጊም በቲ ጣኣታቶምን ነውሮምን ብኹሉ ኣበሳኦምን ኣይኪረኽሱን እዮም። ኣነ ኸኣ ካብ ኵሉ
እቲ ሓጢኣት ዚገብሩሉን ዚነብርዎን ስፍራ ኽድሕኖምን ከንጽሆምን እየ። ንሳቶም ህዝበይ ኪኾኑ
እዮም፣ ኣነውን ኣምላኾም ክኸውን እየ። 24 ዳዊት ባርያይ ከኣ ኪነግሶም፣ ንኹላቶም ድማ ሓደ ጓሳ
ኪኾኖም እዩ፣ ብፍርደይ ከኣ ኪመላለሱ፣ ንሕጋጋተይውን ኪሕልውዎን ኪገብርዎን እዮም። 25 ኣብታ
ንባርያይ ያእቆብ ዝሀብክዎ፣ ኣቦታትኩ ከኣ ዚነበርዋን ሃገር ኪነብሩ እዮም። ንሳቶምን ደቆምን ደቂ
ደቆምን ንዘለኣለም ኣብኣ ኺነብሩ እዮም፣ ዳዊት ባርያይ ድማ ንዘለኣለም መስፍኖም ኪኸውን እዩ። 26
ኪዳን ሰላም ኪኣትወሎም እየ፣ ዘለኣለማዊ ኺዳን ድማ ኪኾነሎም እዩ። ክተኽሎምን ከብዝሓምን
እየ። መቕደሰይ ከኣ ንዘለኣለም ኣብ ማእከሎም ክቕሞ እየ። 27 ማሕደረይ ምሳታቶም ኪኸውን እዩ፣ ኣነ
ኸኣ ኣምላኾም ኪኸውን እየ፣ ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም። 28 መቕደሰይ ንዘለኣለም ኣብ
ማእከሎም ምስ ኰነ ህዝብታት እቲ ንእስራኤል ዘቕድስሲ ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 38

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 2 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ገጽካ ናብ ጎግ ኣብ ሃገር ማጎግ፣ እቲ
መስፍን ሮሽን ሜሴክን ቱባልን፣ መልስ እሞ ኣንጻሩ ተነበየሉ፣ 3 በልውን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ኣታ ጎግ መስፍን ሮሽን ሜሴክ ቱባልን ኣብ ክሳድካ ኣሎኹ። 4-5 ክመልሰካ፣ ኣብ ምንጋጋኻ
ዓንቃሪቦ ኽገብር እየ፣ ንኣኻ ምስ ኵሉ ሰራዊትካ፣ ኣፍራስን ፈረሰኛታትን፣ ኵላቶም ድርዒ ዝለበሱ፣
ብዙሓት ሰብ ከኣ ዋልታን ገለብን ዘለዎም፣ ኵላቶም ሰይፊ ዝሐዙ፣ ምስኦም ከኣ ሰብ ፋርስን ኢትዮጵያን

ፉጥን፣ ኵላቶም ዋልታን ቍራዕ ርእስን ዘለዎም ገይረ ኸውጽኣካ እየ። 6 ጎሜርን ኵሉ ጭፍራኡን ቤት
ቶጋርማ ኻብ ወሰናይ ሰሜንን ኵሉ ጭፍራኡን፣ ብዙሓት ህዝቢ ምሳኻ እዮም። 7 ተዳሎ፣ ንስኻን ኵሉ
እቲ ኣባኻ ተኣኪቡ ዘሎ ህዝብኻን ተሰለፍ፣ ንስኻውን ሓለቓኦም ኩን። 8 ድሕሪ ብዙሕ ዘመን ክትከትት
ኢኻ። ኣብተን ዳሕሮት ዓመታት ናብታ ኻብ ሰይፊ እተናገፈት፣ ካብ ብዙሓት ህዝብታት እተኣከበት፣
ናብቲ ነዊሕ ጊዜ ዝባደመ ኣኽራን እስራኤል ክትኣቱ ኢኻ። ካብ ህዝብታት ወጺኣስ፣ ኵላቶም ሀዲኦም
ይነብሩላ ኣለዉ። 9 ንስኻ ኽትድይብ ከም ህቦብላ ንፋስ ከኣ ክትመጽእ ኢኻ፣ ንስኻ ምስ ኵሉ
ጭፍራታትካን ምስቶም ምሳኻ ዘለዉ ብዙሓት ህዝብታትን ከምቲ ንምድሪ ዜጕልብባ ደበና ኽትከውን
ኢኻ። 10 ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በዛ መዓልቲ እዚኣ ነገር ኣብ ልብኻ ኺትንስእ እዩ፣ እኩይ እማመ
ኽትእምም ኢኻ፣ 11 እሞ፣ ናብታ ዘይተዐርደት ሃገር ክድይብ፣ ናብቶም ሀዲኦም ብደሓን ዚነብሩ፣
ዅላቶም ብዘይ ቀጽሪ ዘለዉ፣ መሃርሃርን መዓጹን ዜብሎም ህዝቢ ሓደጋ ኽወድቆም እየ፣ ክትብል
ኢኻ። 12 ክትማርኽን ክትብዝብዝን፣ ናብቲ ዓንዩ ነይሩስ ሕጂ ሰብ ዚነብረሉ ዘሎ፣ ናብቲ ኽብትን
ሃብትን ዘጥረየ፣ ካብ ህዝብታት እተኣከበ፣ ኣብ ሕምብርቲ ምድሪ ዚነብር ዘሎ ህዝቢ ኢድካ
ኽትዝርግሕ ክትድይብ ኢኻ። 13 ሳባን ዴዳን ነጋዶ ተርሲስን እቶም ኰረኵር ኣናብሱን፣ ምርኮ
ኽትማርኽዶ መጺእካ ዘመተ ኽትዘምት፣ ብሩርን ወርቅን ክትወስድ፣ ከብትን ሃብትን ክትሕዝ፣ ብዙሕ
ምርኮ ኽተእቱዶ ንጭፍራታትካ ኣኽቲትካዮም ኪብሉኻ እዮም። 14 ስለዚ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ተነበ፣
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንጎግ ንገሮ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ ህዝበይ ኣስራኤል
ሀዲኡ ምስ ተቐመጠ፣ ኣይክትፈልጦን ዲኻ 15 ንስኻ ምሳኻውን ብዙሓት ህዝብታት፣ ኵላቶም ኣብ
ኣፍራስ ኣተቐመጡን ዓብዪ ጭፍራን ብርቱዕ ሰራዊትን ሒዝካ ኻብ ቦታኻ ኻብ ወሰን ሰሜን ክትመጽእ
ኢኻ። 16 ነታ ሃገር ከም ደበና ምእንቲ ኽትከድና፣ ናብ ህዝበይ እስራኤል ክትድይብ ኢኻ። ኣታ ጎግ፣
ኣብተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪኸውን እዩ፣ እቶም ህዝብታት፣ ኣነ ኣብ ቅድሚ ዓይኖም ኣባኻ ምስ
ተቐደስኩ፣ ኪፈልጡንስ፣ ናብ ሃገረይ ከደይበካ እየ። 17 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቲ
ኣነ ብጥንቲ ኣብኦም ከም ዘምጽኣካ በቶም በታ ዘመን እቲኣ ዓመት ንዓመት እተነበዩ ኣገልገልተይ
ነብያት እስራኤል ገይረ ብዛዕባኻ እተዛረብኩስ ንስኻዶ ኣይኰንካን 18 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ፣ በታ
መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፣ በታ ጎግ ንሃገር እስራኤል ኪጻረረላ ዚመጸላ መዓልቲ፣ ነድረይ ኪስርንቐኒ
እዩ፣ ይብል ኣሎ። 19 ብቕንኣተይን ብሓዊ ቝጥዓይን እብል ኣሎኹ፣ ርግጽ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ሃገር
እስራኤል ዓብዪ ምንቅጥቃጥ ኪኸውን እዩ። 20 ሽዑ ዓሳታት ባሕርን ኣዕዋፍ ሰማይን እንስሳ መሮርን
ኵሉ ኣብ ምድሪ ለመም ዚብል ለመምታን ኣብ ዝባን ምድሪ ዘሎ ዅሉ ሰብን ኣብ ቅድመይ ራዕራዕ
ኪብሉ እዮም። ኣኽራን ኪግልበጥ፣ ኣኻውሕ ኪፈርስ፣ ኵሉ መናድቕ ከኣ ኣብ ኣብ ምድሪ ኺወድቕ
እዩ። 21 ኣነ ድማ ኣብ ኵሉ ኣኽራነይ ኣብ ልዕሊኡ ሰይፊ ኽጽውዓሉ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣
ሰይፊ ነፍሲ ወከፍ ኣብ ርእሲ ሓዉ ኪኸውን እዩ። 22 ብፌራን ብደምን ክፈርደሉ እየ። ኣባኡን ኣብ
ጭፍራኡን ኣብቶም ምስኡ ዘለዉ ብዙሓት ህዝብታትን ዝናም ሃጽፍን በረድን ሓውን ዲንን ከዝንም
እየ። 23 በዚ ኸምዚ ኣነ ግርማውን ቅዱስን ምኻነይ ክግህድ፣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ብዙሓት ህዝብታት ከኣ
ባዕለይ ክፍለጥ እየ። ንስቶምውን ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም።

## ምዕራፍ 39

1 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንጎግ ተነበየሉ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን ንገሮ፣ ኣታ ጎግ

መስፍን ሮሽን ሜሴክን ቱባልን፣ እኔኹ፣ ከረኻኽበልካ እየ። 2 መሪሔን ደሪኽን ካብ ወሰን ሰሜን
ከውጽኣካ፣ ናብ ኣኽራን እስራኤል ከኣ ከእትወካ እየ። 3 ንቐስትኻ ካብታ ጸጋመይቲ ኢድካ ኽድርብዮ፣
ንፍላጻታትካ ኸኣ ካብታ የማነይቲ ኢድካ ኽውድቕ እየ። 4 ንስኻ ምስ ኵሉ ጭፍራኻን ምስቲ ምሳኻ ዘሎ
ህዝብን ኣብ ኣኽራን እስራኤል ክትወድቕ ኢኻ። ኪበልዑኻውን ንጋባትን ንበብዓይነቶም ዚኾኑ
ኣዕዋፍን ንኣራዊት ግዳምን ክውፍየካ እየ። 5 ኣነ ተዛሪበ እየ እሞ፣ ኣብ መሮር ክትወድቕ ኢኻ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 6 ኣብ ማጎግን ናብቶም ኣብ ደሴታት ሀዲኣም ዚነብሩ ዘለዉን ሓዊ ኽሰድድ እየ፣
ኣነ እግዚኣብሄር ምዃነይ ከኣ ኪፈልጡ እዮም። 7 እቲ ቅዱስ ስመይ ኣብ ማእከል ህዝበይ እስራኤል
ከፍልጦ ኣየ። ድሕርዚ ድማ እቲ ቅዱስ ስመይ ኣይከርክሶን እየ። እቶም ህዝብታት ከኣ ኣነ እግዚኣብሄር
እቲ ኣብ እስራኤል ቅዱስ ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 8 እንሆ፣ ይመጽእ ኪኸውን ድማ እዩ። እታ
ብዛዕባኣ እተዛረብኩላ መዓልቲ እዚኣ እያ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 9 እቶም ኣብ ከተማታት
እስራኤል ዚነብሩ ዘለዉ ድማ ኪወጹ እዮም እሞ፣ ኣጽዋርን ዋላቱን ገለባትን ቀስትታትን ፍላጻታትን
ኣጒማድን ኲናውትን ሓዊ ኣጐዶም ኬንድድዎ እዮም። ሾብዓተ ዓመትውን ብእኡ ሓዊ ኼንድዱ
እዮም። 10 በቲ ኣጽዋር ገይሮም ሓዊ ኺኣጕዱ እዮም እሞ፣ ካብ መሮር ዕጨይቲ ኣይከእትዉን፣ ካብ
ዱር ከኣ ኣይኪቘርጹን እዮም። ነቶም ዝገፈፍዎም ኪገፍዎም፣ ነቶም ዝዘመትዎም ከኣ ኪዘምትዎም
እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 11 በታ መዓልቲ እቲኣ ንጎግ ኣብ እስራኤል ብወገን ባሕሪ ዘሎ፣
ለሰ ሓለፍቲ መገዲ ዚበሀል መቓብር ክህቦ እየ። ነቶም ብእኡ ዚሐልፉ ኸኣ መገዶም ኪዐጽወሎም እዩ።
ኣብኡውን ንጎግን ንኹሉ እቲ ብዙሕ ሰቡን ኪቐብርዎም እዮም። ለሰ ሃሞናጎግ ድማ ኪበሀል እዩ። 12
ቤት እስራኤል ከኣ፣ ነታ ሃገር ምእንቲ ኼጽርዩስ፣ ብሾብዓተ ወርሒ ኪቐብርዎም እዮም። 13 ኵሉ ህዝቢ
እታ ሃገር ኪቐብሮም እዩ። እዚውን በታ ኣነ ዚኽብረላ መዓልቲ ንስም ኪኾኖም እዩ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 14 ምእንቲ ኼጽርዮስ፣ ነቶም ኣብ ልዕሊ ምድሪ ወዲቖም ዚጸንሑ ኪቐብሩ፣
ምስቶም ቀባሮ ኽይኖም ነታ ሃገር ከየቛረጹ ዚዞርዋ ሰብኡት ኬመቕርሑ እዮም። ድሕሪ ሾብዓተ ወርሒ
ሃለው ኪብሉ እዮም። 15 እቶም እናዞሩ በታ ሃገር ዚሐልፉ፣ ሓደ ኻብኦም ዓጽሚ ሰብ እንተ ረኣየ፣
እቶም ቀባሮ ኣብ ለሰ ሃሞናጎግ ክሳዕ ዚቐብሮም፣ መሓበርታ ኺገብረሉ እዩ። 16 ስም እታ ኽተማ ኸኣ
ሃሞና ኪበሀል እዩ። በዚ ኸምዚ ነታ ሃገር ኬጽርይዋ እዮም። 17 ኣታ ወዲ ሰብ፣ ንኹለን ነፈርቲ ኣዕዋፍን
ንኹሎም ኣራዊት መሮርን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካ ንገሮም፣ ተኣኻኺብኩም
ንዑ። ስጋ ኽትበልዑ ደም ከኣ ክትሰትዩስ፣ ናብቲ ኣነ ዝሐረድኩልኩም መስዋእቲ፣ ናብቲ ዓብዪ
መስዋእቲ ኣኽራን እስራኤል ካብ ኵሉ ወገን ተኣካኸቡ። 18 ስጋ እቶም ጀጋኑ ኽትበልዑ፣ ደም እቶም
ምሳፍንቲ ምድሪ ኽትሰዩ ኢኹም። ናይ መኻከትን ገናሽልን ድቤላታትን ኣብዑርን እዩ፣ ኵላቶም ኣብ
ባሳን ዝሰብሑ እዮም። 19 ካብቲ ኣነ ዝሐረድኩልኩም መስዋእቲ ሕሩድ ክሳዕ እትጸግቡ እቲ ስቡሕ
ክትበልዑ፣ ክሳዕ እትሰኽሩ ድማ ደም ክትሰትዩ ኢኹም። 20 ኣብ መኣደይ በፍራስን ብፈረሰኛታትን
ብጀጋኑን ብኹሎም እቶም ተዋጋእትን ክትጸግቡ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 21 ኣነ ኸኣ
ግርማይ ኣብ ማእከል ህዝብታት ክገልጽ እየ። ኵሎም ህዝብታት ድማ ነቲ ዝፈጸምክዎ ፍርደይን ነታ
ኣብ ልዕሊኦም ዘንበርክዎ ኢደይን ኪርእዩ እዮም። 22 ካብታ መዓልቲ እቲኣ ንንየው ቤት እስራኤል ኣነ
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 23 እቶም ህዝብታት ከኣ፣ ቤት እስራኤል ብሰሪ
ኣበሳኦም ከም እተማረኹ ኺፈልጡ እዮም። ንኣይ ጠሊሞም እዮም እሞ፣ ገጸይ ከወልኩሎም፣ ኣብ
ኢድ ጸላእቶም ወፈኽዎም፣ ኵላቶም ድማ ብሰይፊ ወደቑ። 24 ከም ርኽሰቶምን ከም ኣበሳኦምን መጠን
ገበርክዎም፣ ገጸይ ከኣ ከወልኩሎም። 25 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሕጂ ንያእቆብ

ካብ ምርኮ ኽመልሶ፣ ንዅላ ቤት እስራኤል ከኣ ክምሕራ፣ ስለ እቲ ቅዱስ ስመይ ድማ ክጽዕት እየ። 26-27
ካብ ማእከል ህዝብታት ምስ መለስክዎም፣ ካብ ሃገር ጸላእቶምውን ምስ ኣካኸብክዎም፣ ኣብ ቅድሚ
ዓይኒ ብዙሓት ህዝብታት ኣባታቶም ምስ ተቐደስኩ፣ ሓደ እኳ ዜፍርሆም ዜብሎም ኣብ ሃገሮም ህዱኣም
ምስ ተቐመጡ፣ ነውርም ንኣይ ዝጠለምዎ ዅሉ ጥልመት ኪጾሩ እዮም። 28 ኣነ ናብ ማእከል ህዝብታት
ኣማሪኸዮም ነይረስ፣ ድሕርዚ ኸኣ ካባታቶም ሓደ እኳ ኣብኡ ኸየትረፍኩ ናብ ሃገሮም ምስ
ኣካኸብክዎም፣ ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ምዃነይ ኪፈልጡ እዮም። 29 መንፈሰይ ኣብ ልዕሊ ቤት
እስራኤል ምስ ከዖኹ፣ ድሕሪ ደጊም ገጸይ ኣይክኽውለሎምን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

## ምዕራፍ 40

1 ካብ እንማረኽ ኣብ መበል ዕስራን ሓሙሽተን ዓመት፣ ኣብ መጀመርታ እታ ዓመት፣ ኣብ ዓስረይቲ
መዓልቲ እታ ወርሒ፣ እታ ኸተማ ኻብ እትተሓዝ ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት፣ ልክዕ በታ
መዓልቲ እቲኣ፣ ንሱውን ናብ ንየው ወሰደኒ። 2 ብራእይ ኣምላኽ ናብታ ሃገር እስራኤል ወሰደኒ፣ ኣብ
ነዊሕ ከረን ከኣ ኣንበረኒ። ኣብኡውን ብወገን ደቡብ ከም ህኑጽ ከተማ ነበረ። 3 ናብኣ ኸኣ ወሰደኒ፣ እንሆ
ድማ፣ ከም ኣስራዚ ዝትርኢቱ ሰብኣይ፣ ናይ ልሕጺ እንጣጢዕ ገመድን ዚእምተሉ ዘንግን ኣብ ኢዱ
ሒዙ፣ ኣብታ ደገውን ደው ኢሉ ነበረ። 4 እዚ ሰብኣይ እዚ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ምእንቲ ኽርእየካ፣
ናብዚ ተመሪሕካ ኢኻ እሞ፣ ነቲ ኣነ ዘርእየካ፣ ናብዚ በዒንትኻ ጠምቶ፣ በእዛንካ ድማ ስምዓዮ፣
ብልብኻ ኸኣ ኣቕልበሉ። እቲ ዝርኤካዮ ዅሉውን ንቤት እስራኤል ንገሮም፣ በለኒ። 5 እንሆ ኸኣ፣ ነታ
ቤት ብወጻኢ መንደቕ ከቢብዋ ነበረ። እቲ ሰብኣይ ኣብ ኢዱ ሒዝዋ ዝነበረ መኣመቲት ሻምብቆ ኸኣ
ምንዋሓ ሹድሽተ እመት እያ። እተን እመት ድማ ኤእመትን ስድርን እየን። ንሱ ወርዲ እቲ መንደቕ
ኣመተ፣ ሓንቲ ሻምብቆ ዀነ፣ ቍመቱውን ሓንቲ ሻብምቆ። 6 ድሕርዚ ናብታ ኣብ ወገን ምብራቕ ዘላ ደገ
መጸ፣ ብደረጃታታ ኸኣ ደየበ። ነታ መድረኽ እታ ደገ ድማ ኣመታ፣ ወርዳ ሓንቲ ሻምብቆ ዀነት፣ እታ
ኻልኣይቲውን ወርዳ ሓንቲ ሻምብቆ። 7 ነፍሲ ወከፍ እቃቤት ከኣ ምንዋሓ ሓንቲ ሻምብቆ፣ ወርዳ ድማ
ሓንቲ ሻምብቆ እያ። ምርሕሓቕ እተን እቃቤታት ከኣ ሐሓሙሽተ እመት እዩ። እታ ኣብታ ናይ ደገ ገበላ
ዘላ መድረኽ እታ ደገ ብወገን ውሽጢውን ሓንቲ ሻምብቆ ዀነት። 8 ነቲ ብወገን ውሽጢ ዘሎ ገበላ እታ
ደገ ኣመተ፣ ሓንቲ ሻምብቆውን ኰነ። 9 ንገበላ እታ ደገ ኣመቶ፣ ሾሞንተ እመት ከኣ ዀነ፣ ኣዕኑድ ሰቐሰቓ
ድማ ክክልተ እመት ኰነ። ገበላ እታ ደገውን ብወገን ውሽጢ እዩ። 10 እተን ናይቲ ናብ ምብራቕ ዜብል
ደገ እቃቤታት ሰለስተ በዚ ሰለሰተ ድማ በቲ እየን። ሰለስቲኤን ልክዕ ሓደ ስፍሪ እየን፣ እተን ኣዓኑድ
ከኣ በዝን በትን ልክዕ ሓደ ስፍሪ እየን። 11 ወርዲ እታ ደገ ኣመቶ፣ ዓሰረተ እመት ከኣ ዀነ። ምንዋሕ
እታ ደገ ድማ ዓሰርተው ሰለስተ እመት ኰነ። 12 ኣብ ቅድሚ እተን እቃቤታት ዘሎ ሕዳጋት ድማ ሓንቲ
እመት በዚ ሓንቲ እመትውን በቲ እዩ። እተን እቃቤታት ከኣ በዚ ወገን እዝን በቲ ወገን እትን ሽሹዱሽተ
እመት እዩ። 13 ነቲ ደገ ኻብ ናሕሲ እታ ሓንቲ ቤት ክሳዕ ናሕሲ እታ ኻልኣይቲ ኣመተ፣ ወርዱ ኸኣ፣
ካብ ደገ ንደገ ዕስራን ሓሙሽተን እመት ኰነ። 14 ነቲ ኣዕኑድ ሰቐሰቕ ድማ ብዙርያኡ ኽሳዕ እቲ ዓንዲ
ኣጸድ ደገ ስሳ እመት ገበሮ። 15 ካብ ግምባር እታ ኣፍ ደገ ኽሳዕ ግምባር ገበላ እታ ውሽጣዊት ደገ ድማ
ሓምሳ እመት እዩ። 16 ኣብተን እቃቤታትን ኣብተን ኣብ ውሽጢ ደገ ዘለዋ ኣዕንኑድን ብዅሉ ዙርያኤን
ዓይነ ርግቢ ዘለዎ መሳኹቲ ነበረን። ከምኡውን ኣብተን ገበላታት ብወገን ውሽጠን ብዅሉ ዙርያኤን
መሳኹቲ ነበረን። ኣብ ልዕሊ እተን ኣዕኑድ ከኣ ስየታት ነበረ። 17 ናብቲ ወጻኢ ኣጸድ ድማ ወሰደኒ፣ እንሆ

ኸኣ፣ ኣብኡ ክፍልታት ኣባይቲ ነበረ፣ ዙርያ እቲ ኣጸድውን ብእምኒ ተነጺፉ ነበረ። ኣብቲ እምኒ
እተነጽፎ ድማ ሰላሳ ኽፍሊ ቤት ነበረ። 18 እቲ ብእምኒ እተነጽፈ ምድሪ ኣብ ጥቓ ደጌታት እዩ፣ ልክዑ
ኸኣ ከም ምንዋሕ እቲ ደጌታት እዩ። እዚ እቲ ታሕታይ ብእምኒ እተነጽፈ ምድሪ እዩ። 19 ካብ ቅድሚ
እታ ታሕተይቲ ደገ ሒዙ ኽሳዕ እታ ውሽጣዊት ኣጸድ ብወጻኢ ነቲ ወርዳ ኣመቶ፣ ብወገን ምብራቕን
ሰሜንን ከኣ መሚእቲ እመት እዩ። 20 ነቲ ንሰሜን ገጹ ዘሎ ናይ ወጻኢ ኣጸድ ደገ ምንዋሑን ወርዱን
ኣመቶ። 21 እቓቤታት በዚ ሰለስተ፣ ሰለስተ ኸኣ በቲ ነበረ። ኣዕኑድ ሰቕሰቑን ገበላታቱን፣ ከምቲ ስፍሪ
እታ ቐዳመይቲ ደገ፣ ንዋሑ ሓምሳ እመት፣ ወርዱውን ዕስራን ሓሙሽተን እመት እዩ። 22 መሳኹታን
ገበላኣን ስየታታን ብልክዕ እታ ናብ ምብራቕ እተብል ደገ እዩ። መደያይቦኣ ኸኣ ሾብዓተ ደረጃ እዩ፣
ገበላታት ድማ ኣብ ቅድሚኡ ነበረ። 23 ደገ እታ ውሽጣዊት ኣጸድ ድማ በንጻር እተን ንምብራቕን
ንሰሜንን ዚርእያ ደጌታት እያ። ካብታ ሓንቲ ደገስ ክሳዕ እታ ሓንቲ ደገ ኣመተ፣ ሚእቲ እመት ከኣ
ኰነ። 24 ድሕርዚ ናብ ደቡብ ኣቢሉ መርሓኒ፣ እንሆ ኸኣ፣ ናብ ደቡብ እተርኢ ደገ እያ። ነዕኑዳን
ገበላታትን ከኣ ከንዲ እተን መስፈሪ ኣመተን። 25 ከምተን መሳኹቲ ኸኣ ኣብኣን ኣብ ዙርያ ገበላታትን
መሳኹቲ ነበራ። ምንዋሓ ሓምሳ እመት፣ ወርዳውን ዕስራን ሓሙሽተን እመት እዩ። 26 መደያይቦኣ ኸኣ
ሾብዓተ ደረጃ እዩ፣ ገበላታታ ድማ ኣብ ቅድሚኡ እዩ። ኣብ ርእሲ ኣዕኑዱ ኸኣ ስየታት፣ ሓደ በዚ፣ ሓደ
በቲ ነበረ። 27 እታ ውሽጣዊት ኣጸድ ብወገን ደቡብ ደገ ኣለዋ። ካብታ ሓንቲ ደገስ ናብታ ሓንቲ ኣብ
ወገን ደቡብ ዘላ ደገ ኣመተ፣ ሚእቲ እመት ከኣ ኰነ። 28 በታ ደገ ደቡብ ኣቢሉ ድማ ናብታ ውሽጣዊት
ኣጸድ ኣእተወኒ። ነታ ደገ ደቡብ ከኣ ከንዲ እተን መስፈሪ ኣመታ። 29 እቓቤታታን ኣዕኑዳን ገበላታታን
ከኣ ከንዲ ኣቲ መስፈሪ እዩ። ኣብኣን ኣብ ዙርያ ገበላታታን ድማ መሳኹቲ ኣለዋ። ምንዋሓ ሓምሳ
እመት፣ ወርዳውን ዕስራን ሓሙሽተን እመት እዩ። 30 ዕስራን ሓሙሽተን እመት ዝምንዋሑ፣ሓሙሽተ
እመት ከኣ ዝወርዱ ገበላታት ብዙርያኣ ኣሎ። 31 ገበላታቱ ናብቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኣጸድ ኣቢሉ እዩ። ኣብ
ርእሲ ኣዕኑድ ሰቕሰቑ ኸኣ ስየታት ኣሎ፣ መደያይቦኡ ሾሞንተ ደረጃ እዩ። 32 ናብታ ኣብ ምብራቕ ዘላ
ውሽጣዊት ኣጸድ ወሰደኒ እሞ ነታ ደገ ከንዲ እቲ መስፈሪ ኣመታ። 33 እቓቤታታን ኣዕኑድ ሰቕሰቓን
ገበላታታን ከንዲ እቲ መስፈሪ እዩ፣ ኣብኣን ኣብ ዙርያ ገበላታታን መሳኹቲ ኣሎ። ምንዋሓ ሓምሳ
እመት፣ ወርዳ ኸኣ ዕስራን ሓሙሽተን እመት እያ። 34 ገበላታታ ናብቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኣጸድ ኣቢሉ እዩ።
ኣብ ርእሲ ኣዕኑዳ ድማ ስየታት በዝን በትን ኣሎ። መደያይቦኣውን ሸሞንተ ደረጃ እዩ። 35 ናብ ሰሜናዊት
ደገ ወሰደኒ፣ ከንዲ እቲ መስፈሪ ኸኣ ኣመቶ፣ 36 እቓቤታታን ኣዕኑድ ሰቕሰቓን ገበላታታን ከኣ ከምኡ፣
መሳኹቲውን ብዙርያኣ ኣሎ። ምንዋሓ ሓምሳ እመት፣ ወርዳ ድማ ዕስራን ሓሙሽተን እመት እዩ። 37
ኣዕኑድ ሰቕሰቓ ናብቲ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኣጸድ ኣቢሉ እዩ፣ ኣብ ርእሲ ኣዕኑዳ ኸኣ በዝን በትን ስየታት
ኣሎ፣ መደያይቦኣውን ሾሞንተ ደረጃ እዩ። 38 ኣብ ጥቓ እተን ኣዕኑድ ሰቕሰቕ ደጌታት ድማ ሓንቲ ኽፍሊ
ቤት ምስ መእተዊኣ ኣላ። ኣብኣውን መስዋእቲ ምሕራር ይሐጽቡ ነበሩ። 39 ኣብታ ገበላ ደገ ኸኣ፣
መስዋእቲ ምሕራርን መስዋእቲ ሓጢኣትን መስዋእቲ ዕዳን ዚሐርዱሉ ኽልተ ሰደቓ በዚ፣ ክልተ ሰደቓ
ድማ በቲ ኣሎ። 40 ኣብ ጥቓ እቲ ብወጻኢ ዘሎ ናብ ደገ ሰሜን ዜደይብ መደያይቦ ኸኣ ክልተ ሰደቓ ኣሎ፣
ኣብቲ ኻልእ ወገን እታ ገበላ ደገ ድማ ክልተ ሰደቓ ኣሎ። 41 እምብኣርስ ኣብ ጥቓ እታ ደገ ኣርባዕተ
ሰደቓ በዚ፣ ኣርባዕተ ሰደቓ ኸኣ በቲ ኣሎ፣ እዚ መስዋእቲ ዚሐርዱሉ ሸሞንተ ሰደቓ እዩ። 42
ንመስዋእቲ ምሕራር ዚኸውን ካብ ውቑር እምኒ እተገብረ ኣርባዕተ ሰደቓ ኣሎ። ምንዋሑ እመትን
ስድርን፣ ወርዱ እመትን ስድርን፣ ምብራኹ ሓደ እመት እዩ። ኣብኡውን ነቲ ንመስዋእቲ ምሕራርን
ንመስዋእትን ዚሐርዱሉ መሳርያ ዚንበሮ እዩ። 43 ሰስድሪ ዝምንዋሑ ኵላባት ብውሽጢ ኣብ ዙርያኡ

ተጋጢሙ ኣሎ። እዚ ሰደቓታት እዚ እቲ ስጋ መስዋእቲ ዚንበሮ እዩ። [44] ኣብ ውሽጣዊ ኣጸድ ኣብ ወጻኢ
እታ ውሽጣዊት ደገ ኸኣ ንመዘምራን እተገብረ ኽፍልታት ኣባይቲ ኣሎ። ሓንቲ ኣብ ጥቓ እታ ሰሜናዊት
ደገ ናብ ደቡብ ኣቢላ እያ። እታ ሓንቲውን ኣብ ጥቓ እታ ምብራቓዊት ደገ ኣላ፣ ገጻ ኸኣ ናብ ሰሜን
ኣቢላ እያ። [45] ንሱውን በለኒ፣ እዛ ንደቡብ ኣቢላ ዘላ ኽፍሊ ቤት ነቶም ነታ ቤት ኬገልግሉ እተመደቡ
ኻህናት እያ። [46] እዛ ንሰሜን ኣቢላ ዘላ ኽፍሊ ቤት ድማ ነቶም ኣብታ መሰውኢ ኼገልግሉ ዚነቕሑ
ኻህናት እያ። ንሳቶም ኬገልግልዎ ናብ እግዚኣብሄር ዚቐርቡ ኻብ ደቂ ሌውስ ደቂ ጻዶቅ እዮም። [47] ነቲ
ኣርባዕተ ዝመኣዝኑ ኣጸድ ኣመቶ፣ ምንዋሑ ሚእቲ እመት፣ ወርዱውን ሚእቲ እመት እዩ። እቲ
መሰውኢ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እታ ቤት እዩ ዘሎ። [48] ናብ ገበላ እታ ቤት ከኣ ወሰደኒ፣ ነቲ ኣዕኑድ ሰቐሰቕ
እታ ገበላ ድማ ኣመቶ፣ ሓሙሽተ እመት በዚ፣ ሓሙሽተ እመት በቲ እዩ። ወርዲ እታ ደገ ኸኣ ሰለስተ
በዚ፣ ሰለስተ እመት በቲ እዩ። [49] ምንዋሕ እታ ገበላ ዕስራ እመት፣ ወርዳ ኸኣ ዓሰርተው ሓደ እመት
እዩ፣ በቲ ደረጃታት ድማ ይድይብዋ ነበሩ። ኣብ ጥቓ እቲ ኣዕኑድ ሰቐሰቕ ከኣ ሓደ በዚ፣ ሓደውን በቲ
ኣዕኑድ ኣሎ።

# ምዕራፍ 41

[1] ናብታ መቕደስ ድማ ኣእተወኒ። ነቲ ዓንዲ ሰቐሰቕውን ኣመቶ፣ እቲ ወርዱ ኸም ወርዲ እታ ድንኳን፣
ሹድሽተ እመት በዚ፣ ሹድሽተ እመት ከኣ በቲ ኾነ፣ [2] ወርዲ እታ ኣፍ ደገ ኸኣ ዓሰርተ እመት እዩ፣ ገንዚ
እታ ኣፍ ደገ ድማ ሓሙሽተ እመት በዚ፣ ሓሙሽተ እመት ከኣ በቲ እዩ። ምንዋሓ ኣርባዓ እመት፣
ወርዳውን ዕስራ እመት ኣመተ። [3] ድሕርዚ ናብ ውሽጢ ኣተወ እሞ ንሰቐሰቕ እታ ኣፍ ደገ ኽልተ እመት፣
ነታ ኣፍ ደገ ኸኣ ሹድሽተ እመት ኣመቶ። [4] ነቲ ቕድሚ መቕደስ ምነዋሑ ዕስራ እመት፣ ወርዱ ኸኣ ዕስራ
እመት ኣመት። እዚኣ እታ ቅድስቲ ቅዱሳን እያ፣ ከኣ በለኒ። [5] ድሕርዚ መንደቕ እታ ቤት ሹድሽተ እመት
ኣመተ። ኣብ ዙርያ እታ ቤት ብኹሉ ወገና ዘለዋ ኽፍልታት ኣባይቲ ኸኣ ወርደን ኣኣርባዕተ እመት
ኣመተ። [6] እተን ብኆቦታታ ዝነበራ ኽፍሊ ኣባይቲ ሓደ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ሰለስተ ደርቢ ዘለወን ሰላሳ
እየን። ኣብ መንደቕ እታ ቤት ከይተጸግዓስ፣ ኣብቲ ኣብ ዙርያ ኽፍልታት ኣባይቲ ዘሎ መንደቕ እታ ቤት
ኪጸግዓ፣ ኣብኡ ተጋጢመን እየን። [7] ኣብ ዙርያ እታ ቤት ካብ ደርቢ ናብ ደርቢ ዚዘውር መደያይቦ ነበረ
እሞ፣ እቲ ኽፍልታት ኣባይቲ ብዙርያ ንላዕሊ ኣቢሉ ብዝወጸሉ መጠን እናገፍሔ እዩ ዚኸይድ። ስለዚ
ምግፋሕ እታ ቤት ናብ ላዕሊ ኣቢሉ እዩ። ከምኡውን ካብ ታሕትስ ብላዕሊ ብማእከላይ ኣቢሉ መደየቢ
ኣለዋ። [8] ኣነ ኸኣ ነታ ቤት ብዙርያኣ ልዕል ዝበለ መሰረት ከም ዘለዋ ርኤኹ። እቲ መሰረት እተን ብኆቦ
ዝነበራ ኽፍልታት ኣባይቲ ድማ በታ ሻምብቆ ሹድሽተ እመት ልክዕ እዩ። [9] እተን ብኆቦ ዘለዋ ኽፍልታት
ኣባይቲ እተሀንጻሉ መንደቕ፣ ወርዱ ብወጻኢ ሓሙሽተ እመት እዩ። ኣብ መንጎ እተን ብኆቦ ዝነበራ
ኽፍልታት ኣባይቲ ኸኣ ንኣምፉ ዚነብር ቦታታት ኣሎ። [10] ኣብ መንጎ እተን ክፍልታት ኣባይቲ ድማ
ብዙርያ እታ ቤት ዔዕስራ እመት እዩ። [11] ደጌታት እተን ቤት ብኆቦ ዘለዋ ኽፍልታት ኣባይቲ ኸኣ ናብቲ
ንኣምፉ ዚነር ቦታታት፣ሓንቲ ደገ ንሰሜን፣ ሓንቲ ኸኣ ንደቡብ ኣቢለን እየን። እቲ ንኣምፉ ዘሎ ቦታ ኸኣ
ብዙርያኡ ወርዱ ሐሓሙሽተ እመት እዩ። [12] እቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ንኣምፉ ዘሎ ሕዳግ እተሀንጸ
ንምዕራብ ወገኑ ወርዱ ሰብዓ እመት እዩ። ናይቲ እተሀንጸ ገንዚ መንደቕ ብዙርያኡ ሓሙሽተ እመት
እዩ፣ ምንዋሑ ኸኣ ተስዓ እመት እዩ። [13] ነታ ቤት ድማ ኣመታ፣ ምንዋሓ ሚእቲ እመት ኰነት። እቲ
ንኣምፉ ዘሎ ቦታን እቲ ህኑጽን መንደቑን ከኣ ምንዋሑ ሚእቲ እመት ኰነ። [14] ቅድሚት እታ ቤት ምስ

ናይ እቲ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ንኣምፉ ዘሎ ቦታ፣ ወርዱ ሚእቲ እመት እዩ። 15 ንሱ ኸኣ ነቲ ኣብ
ቅድሚት እቲ ንኣምፉ ዝኾነ ቦታ ኸሳዕ እቲ ብወገን ድሕሪት ዘሎ ህንጻን፣ ነቲ በዝን በትን ዘሎ
መተሓላለፊኡን ኣመቶ፣ ምንዋሑ ድማ ሚእቲ እመት ኰነ። እታ ውሽጣዊት መቕደስን እቲ ገበላታት
እቲ ኣጸድን፣ 16 መድረኻትን እቲ ብሸቦ እተገብረ መሳኹትን ኣብ ዙርያ እተን ሰለስተ ደርብታት ዘሎ
መተሓላለፍን ኣንጻር እቲ ልዳት፣ ካብ ምድሪ ጀሚሩ ኸሳዕ እቲ መሳኹቲ ብዙርያኡ ብሉሕ ተኸድኑ
እዩ፣ እቲ መሳኹቲ ድማ ክዱን እዩ። 17 ካብ ልዕሊ እታ ደገ ኸሳዕ እታ ውሽጣዊት ቤት፣ ብወጻእን
ብዙርያ ኹሉ እቲ መንደቕን፣ ብኣታዊኡን ብወጻኢኡን ብልክዕ እዩ። 18 ኪሩቤልን ስየን ተቐሪጽዎ ኣሎ።
ኣብ መንጎ ኪሩቤልን ኪሩቤልን ከኣ ሓንቲ ስየ ኣላ። ነፍሲ ወከፍ ኪሩቤል ከኣ ክክልተ ገጽ ኣለዎ። 19
ነታ ስየን ናብዚ ወገና ገጽ ሰብ፣ ነታ ስየስ ናብቲ ወገና ኸኣ ገጽ ኣንበሳ ኣለዋ። ንብዘላ እታ ቤት ብኹሉ
ዙርያኣ ኸምኡ ተገይርዋ እዩ። 20 ካብ ምድሪ ሒዙ ኸሳዕ እቲ ልዕሊ ደገኣ ኪሩቤል ስየን ተቐሪጽዎ ኣሎ።
እቲ መንደቕ እታ ቤተ መቕደስውን ከምኡ እዩ። 21 ልዳውቲ እታ መቕደስ ኣርባዕተ ዝመኣዝኑ እዩ። ደገ
እታ ቅድስቲ ቦታ ድማ ትርኢቱ ኸምኡ እዩ። 22 እቲ መሰውኢ ድማ ካብ ሉሕ እተገብረ እዩ። ቍመቱ
ሰለስተ እመት፣ ምንዋሑ ኽልተ እመት እዩ። መኣዝን ከኣ ኣለዎ፣ ግድጊዳኡ ኸኣ ሉሕ እዩ። ንሱውን፣
እዚኣስ እታ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዘላ መኣዲ እያ፣ በለኒ። 23 ንታ መቕደስን ቅድስቲ ቦታን ክልተ
ማዕጾ ኣለዋኤን። 24 ነፍሲ ወከፍ ማዕጾ ድማ ክልተ መቓን፣ ኣብ ክክልተ ዚዕጸፉ መቓን፣ ነታ ሓንቲ
ማዕጾ ኽልተ መቓን፣ ነታ ኻልኣይቲ ኸኣ ክልተ መቓን ኣለዋኤን። 25 ከምቲ ኣብ መንደቕ ዘሎ፣ ኣብተን
ደጌታት መቕደስ ከኣ ኪሩቤልን ስየን ተቐሪጽወን ኣሎ። ኣብ ወጻኢ እቲ ገጽ ገበላ ኸኣ ካብ ረጕድ ኦም
እተገብረ ናሕሲ ኣሎ። 26 ኣብ ጎቦታት እታ ገበላ ኸኣ በዝን በትን ዓይኒ ርግቢ ዘለወን መሳኹትን ስየን
ኣለዋ። እተን ብጎቦ ዝነበራ ኽፍልታት ኣባይቲ እቲ ህንጻን እቲ ናሕሲ ዕጨይትን ከኣ ከምኡ እዩ።

# ምዕራፍ 42

1 ድሕርዚ ንሱ ናብቲ ሰሜን ዜብል መገዲ ናብ ወጻኢ ኣጸድ ኣውጽኣኒ። ናብቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ንኣምፉ
ዘሎ ቦታን ኣብ ግምባር እቲ ናብ ሰሜን ዚርኢ ህንጻን ዘሎ ኽፍሊ ቤት ከኣ ኣእተወኒ። 2 እታ ደጊኣ ናብ
ሰሜን ኣቢላ እትርኢ፣ ምንዋሓ ሚእቲ እመት ወርዳ ኸኣ ሓምሳ እመት እዩ። 3 ኣብ ኣንጻር እታ ዕስራ
ዝእመታ ውሽጣዊት ኣጸድ፣ ኣብ መንጽር እቲ ኣብ ወጻኢ ኣጸድ ዘሎ ምድሪ ቤት እምኒ ኸኣ መተሓላለፊ
ኣብቲ ሰለስተ ደርቢ ኣሎ። 4 ኣብ ቅድሚ እተን ክፍልታት ኣባይቲ ድማ ዓሰርተ እመት ዝወርዱ
መተሓላለፊ ኣሎ። ናብ ውሽጢ ኸኣ ሓደ ዝእመቱ መገዲ ኣሎ። ደጌታታውን ናብ ሰሜን ኣቢለን እየን። 5
እቲ መተሓላለፊታት ቦታ ስለ ዝወሰደለን፣ እተን ላዕሎት ክፍልታት ኣባይቲ ካብተን ታሕቶትን
ማእከሎትን ናይቲ ህንጻ እየን። 6 ንሳተን ሰለስተ ደርቢ እየን እሞ፣ ኣዕኑድሲ ኸምተን ናይ ኣጸድ ኣዕኑድ
የብለንን። ስለዚ ካብ ምድሪ ቤት ሒዙ እተን ላዕሎት ክፍልታት ኣባይቲ ካብተን ታሕቶትን ማእከሎትን
ይጸባ እየን። 7-8 እተን ኣብ ወጻኢ ዘለዋ ኽፍልታት ኣባይቲ ምንዋሔን ሓምሳ እመት እዩ። እቲ ኣብ
ኣንጻር ቤር መቕደስ ዘሎውን ሚእቲ እመት እዩ እሞ፣ እቲ ኣብ ቅድሚ ኽፍልታት ኣባይቲ ናብቲ ወጻኢ
ኣጸድ ዜብል፣ ኣብ ወጻኢ፣ ኣብ ኣንጻር እቲ ኽፍልታት ኣባይቲ ዘሎ መንደቕ ምንዋሑ ሓምሳ እመት
እዩ። 9 ነቶም ካብ ወጻኢ ኣጸድ ዚኣትዉ፣ ኣብ ትሕቲ እዘን ክፍልታት ቤት እዚኤን ብወገን ምብራቕ
መእተዊ ኣሎ። 10 ኣብ ወገን ምብራቕ ኣብ ገንዚ እቲ መንደቕ ኣጸድ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ንኣምፉ ዘሎ ቦታን
ኣብ ቅድሚ እቲ ህኑጽን ክፍልታት ኣባይቲ ኣለዋ። 11 ኣብ ቅድሚኤን ከኣ፣ ከምቲ ናብ ሰሜን ዜብል

ክፍልታት ኣባይቲ መተሓላለፊ ኣሎ፣ ምንዋሔንን ወርደንን፣ መውጽኢኤንን ስርዓተንን ደጊኤንን ማዕረ
ማዕረ እዩ። 12 ከምተን ናብ ደቡብ ዜብላ ደጌታት ክፍልታት ኣባይቲ፣ ኣብ ርእሲ እታ መገዲ ደገ ኣሎ።
ንሳውን ነቶም ካብ ምብራቕ ዚኣትዉ ኣብ ቅድሚ እቲ መንደቕ ዘላ እያ። 13 በለኒውን፣ እዘን ኣብ ቅድሚ
እቲ ንኣምፉ ዘሎ ቦታ ናይ ሰሜንን ደቡብን ክፍልታት ኣባይቲ ቅዱሳት ክፍልታት ኣባይቲ እየን።
ኣብኤን እቶም ናብ እግዚኣብሄር ዚቐርቡ ኻህናት ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ነገር ኪበልዑ እዮም። ቅዱስ ቦታ እዩ
እሞ፣ ኣብኡ ነቲ ኣዝዩ ቅዱስ ነገር መስዋእቲ እኽልን መስዋእቲ ሓጢኣትን መስዋእቲ ዕዳን ኬንብሩ
እዮም። 14 እቶም ካህናት ምስ ኣተዉ፣ እተን ዘገልግሉለን ኣልባሳት ቅዱሳት እየን እሞ፣ ኣብኡ
ከየንብርወን፣ ካብታ መቕደስ ናብ ወጻኢ ኣጸድ ኣይውጽኡ፣ ካልእ ክዳውንቲ ይከደኑ እሞ ናብቲ ንህዝቢ
እተመደበ ቦታ ይውጽኡ። 15 ነታ ውሽጣዊት ቤት ኣሚቱ ምስ ወድኤ፣ በታ ናብ መገዲ ምብራቕ እተብል
ደገ ኣውጽኣኒ፣ በዝን በትን ብዙርያኡ ኣመታ። 16 ነቲ ወገን ምብራቕ በታ መኣመቲት ሻብምቆ ኣመቶ፣
በዛ መኣመቲት ሻምብቆ ኸኣ ብዙርያኡ ሓሙሽተ ሚእቲ ሻምብቆ ኾነ። 17 ነቲ ወገን ሰሜን ከኣ ኣመቶ፣
በታ መኣመቲት ሻምብቆ ድማ ብዙርያኡ ሓሙሽተ ሚእቲ ሻምብቆ ኾነ። 18 ነቲ ወገን ደቡብ ከኣ
ኣመቶ፣ በታ መኣመቲት ሻምብቆ ሓሙሽተ ሚእቲ ሻምብቆ ኾነ። 19 ናብቲ ወገን ምብራቕ ዞረ፣ በታ
መኣመቲት ሻምብቆ ድማ ሓሙሽተ ሚእቲ ሻምብቆ ኣመቶ። 20 ነቲ ኣብ ዙርያኡ ዘሎ መንደቕ በርባዕቲኡ
ወገን ኣመቶ፣ ምንዋሑ ሓሙሽተ ሚእቲ ፣ ወርዱ ኸኣ ሓሙሽተ ሚእቲ ኾነ። እዚ ነቲ ቅዱስ ካብቲ
ዘይቅዱስ ዚፈሊ እዩ።

# ምዕራፍ 43

1 ድሕርዚ ናብቲ ደገ፣ ናብቲ ንምብራቕ እትርኢ ደገ ኣውጽኣኒ። 2 እንሆ ኸኣ፣ ክብሪ ኣምላኽ እስራኤል
ካብ ምብራቕ ኣቢሉ መጸ። ድምጺ ድማ ከም ህማም ብርቱዕ ማያት ነበረ። ምድሪውን ብኽብሩ
በርሄት። 3 እቲ ኣነ ዝርኤኽዎ ራእይ ድማ ከምቲ ነታ ኸተማ ኸጥፍእ ምስ መጻእኩ ዝርኤክዎ ራእይ
እዩ። እዚ ራእያት እዚ ኸኣ ከምቲ ኣብ ርባ ኬባር ዝርኤኽዎ ራእይ እዩ። ኣነውን ብገጸይ ፍግም ኢለ
ወደቕኩ። 4 ክብሪ እግዚኣብሄር ድማ በታ ናብ ምብራቕ እትርኢ ደገ ናብታ ቤት ኣተወ። 5 መንፈስ ሐፍ
ኣበለኒ፣ ናብታ ውሽጣዊት ኣጸድ ከኣ ኣእተወኒ፣ እንሆው፣ ክብሪ እግዚኣብሄር ነታ ቤት መልኣ። 6 ኣነ
ኸኣ ካብታ ቤት ሓደ ኺዛረበኒ ኸሎ ሰማዕኩ፣ ኣብ ጥቓይ ድማ ሰብኣይ ደው ኢሉ ነበረ። 7 በለኒውን፣
ኣታ ወዲ ሰብ፣ እታ ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ንሓዋሩ ዝነብረላ ቦታ ዝፋነይን እግረይ ዚረግጸ ቦታን
እዚኣ እያ።ቤት እስራኤል፣ ንሳቶምን ነገስታቶምን ነቲ ቅዱስ ስመይ ብምንዝርናኦምን ብሬሳ ነገስታቶምን
ኣብቲ በረኽቲ ቦታኦም ድሕርዚ ኣይኬርስክዎን እዮም። 8 መንደቕ ጥራይ ኣብ መንጎይን መንጎኦምን ክሳዕ
ዚኸውን፣ መድረኾም ኣብ ጥቓ መድረኸይ፣ ልዳቶም ኣብ ጥቓ ልዳተይ ገበሩ። በዚ ዝገበርዎ ጽያፍ ነቲ
ቅዱስ ስመይ ኣርከስዎ፣ ስለዚ ድማ ብቑጥዓይ ኣጥፋእክዎም። 9 ሕጂ ንምንዝርናኦምን ንሬሳ
ነገስታትምን ካባይ ኬርሕቑ እዮም፣ ኣነውን ንሓዋሩ ኣብ ማእከሎም ክነብር እየ። 10 ኣታ ወዲ ሰብ፣
ብኣበሳኦም ኪሐፍሩስ ንቤት እስራኤል እዛ ቤት እዚኣ ኣርእዮም፣ ኣተሃናንጻኣ ኸኣ ኣለክዓዮም። 11 በቲ
ዝገበርዎ ኹሉ እንተ ሐፈሩስ፣ ምስላን ስርዓታን ዘበለ ኹሉ ምእንቲ ኺሕልውዎን ኪገብርዎን፣ ምስሊ
እታ ቤትን ኣሰራርዕኣን ነቲ መውጺኢኣን መእተዊኣን ኲሉ ምስላን ኲሉ ስርዓታን፣ ኲሉ ምስላን ኲሉ
ሕጋጋታን ኣፍልጦም፣ ኣብ ቅድሚ ኣዒንቶም ከኣ ጽሐፎ። 12 ሕጊ እታ ቤት ድማ እዚ እዩ፣ እቲ ኣብ
ዝባን እቲ ኸረን ኣብ ኲሉ ዙርያኡ ዘሎ ቦታ ኣዝዩ ቅዱስ እዩ፣ እንሆ፣ ሕጊ እታ ቤት እዚ እዩ። 13 ልክዕ

እታ መሰውኢ ድማ ብእመትሲ እዚ እዩ፡- እታ እመት ከኣ እመትን ስድርን እያ፡- እግሩ ሓደ እመት
ወርዱ ኸኣ ሓደ እመት እዩ። ብዘሎ ዙርያ ኸንፈራውን ገንዙ ሓደ ስድሪ እዩ። እዚ መሰረት እቲ
መሰውኢ እዩ። 14 ካብ ምድሪ ጀሚሩ ኽሳዕ እቲ ታሕታይ ሕዳግ ክልተ እመት፣ ወርዱ ኸኣ ሓደ እመት
እዩ። ካብቲ ታሕታይ ሕዳግ ጀሚሩ ኽሳዕ እቲ መወዳእታ ሕዳግ ድማ ኣርባዕተ እመት፣ ወርዱን ሓደ
እመት እዩ። 15 እቲ ዝባን መሰውኢ ኣርባዕተ እመት እዩ፣ ካብቲ መእጐድ ሓዊ መሰውኢ ንላዕሊ ኣቢሉ
ኸኣ ኣርባዕተ ቀርኒ ኣሎ። 16 እቲ ናይ መሰውኢ መእጐድ ሓዊ ምንዋሑ ዓሰርተው ክልተ እመት፣ ወርዱ
ኸኣ ዓሰርተው ክልተ እመት እዩ። ኣርባዕቲኡ መኣዝኑውን ማዕረ ማዕረ እዩ። 17 እቲ ሕዳግ ከኣ በርባዕተ
ወገኑ ምንዋሑ ዓሰርተው ኣርባዕተ እመት፣ ወርዱውን ዓሰርተው ኣርባዕተ እመት ማዕረ ማዕረ እዩ። እቲ
ኣብ ዙርያኡ ዘሎ ኸንፈር ድማ ፈረቓ እመት፣ እግሩ ኸኣ ብኸቡ ሓደ እመት እዩ። ደረጃታቱውን ናብ
ምብራቕ ገጹ እዩ። 18 በለኒ ድማ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ መስዋእቲ
ምሕራር ኣብኡ ምእንቲ ኬቕርቡ፣ ደም ከኣ ኣብኡ ኺነጽጉስ፣ በቲ ዚስርሓሉ መዓልቲ፣ ስርዓት እቲ
መሰውኢ እዚ እዩ፤ 19 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ነቶም ኬገልግሉኒ ኢሎም ዚቐርቡኒ፣
ካብ ዘርኢ ጻዶቅ ዝዀኑ ሌዋውያን ካህናት ንመስዋእቲ ሓጢኣት ዚኸውን ዝራብዕ ክትህቦም ኢኻ። 20
ንስኻ ድማ ካብቲ ደሙ ኽትወስድ፣ ኣብቲ ኣርባዕተ ቀርኑን ኣብቲ ኣርባዕተ መዛን ሕዳጋትን ኣብቲ
ኸንፈሩን ኣብ ዙርያኡ ኽትገብሮ ኢኻ፣ በዚ ኸምዚ ኸተጽርዮን ከተትዕርቖን ኢኻ። 21 ነቲ ዝራብዕ
መስዋእቲ ሓጢኣት ክትወስዶ ኢኻ፣ ኣብ ወጻኢ መቕደስ፣ ኣብቲ እተወሰነሉ ቦታ እታ ቤት ድማ
ኪነድድ እዩ። 22 ብኻልኣይ መዓልቲ ኸኣ ጕድለት ዜብሉ ድቤላ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ከተቕርብ ኢኻ።
ከምቲ ብዝራብዕ ገይሮም ዘጽረይዎ፣ ነቲ መሰውኢ ኼጽርይዎ እዮም። 23 ምጽራዩ ምስ ፈጸምካ፣ጕድለት
ዜብሉ ዝራብዕ፣ ካብ ኣባጊዕውን ጕድለት ዜብሉ ድዑል ከተቕብር ኢኻ። 24 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር
ከተቕርቦ ኢኻ፣ እቶም ካህናት ድማ ጨው ኪንስንሱሎም፣ መስዋእቲ ምሕራር ከኣ ንእግዚኣብሄር
ኬቕርቡሉ እዮም። 25 ሾብዓተ መዓልቲ ዕለት ዕለት መስዋእቲ ሓጢኣት ዚኸውን ድቤላ ኸተቕርብ ኢኻ።
ጕድለት ዜብሎም ዝራብዕን ካብ ኣባጊዕ ድማ ድዑልን ኪስውኡ እዮም። 26 ሾብዓተ መዓልቲ ነቲ
መሰውኢ ኼተዕርቕዎን ኬንጽህዎን ኪጽምብልዎን እዮም። 27 እዘን መዓልትታት እዚኤን ምስ ተፈጸማ፣
በታ ሳምነይቲ መዓልቲ ብድሕሪኣን እቶም ካህናት ኣብቲ መሰውኢ ንመስዋእቲ ምሕራርኩምን
ንመስዋእቲ ምስጋናኹምን ኬቕርቡ እዮም። ኣነውን ባህ ኢሉኒ ክቕበለኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 44

1 ድሕርዚ ናብ መገዲ እታ ናብ ምብራቕ እትርኢ መጻኢት ደገ መቕደስ መለሰኒ፣ ዕጽውቲ ኸኣ እያ። 2
እግዚኣብሄር ድማ በለኒ፣ እዛ ደገ እዚኣ ዕጽውቲ ትኹን፣ ኣይትከፈት፣ ሰብውን ኣይእተዋ። እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እስራኤል ኣትዩላ እዩ እሞ፣ ስለዚ ብዕጽውታ ትንበር። 3 እቲ መስፍንሲ፣ መስፍን ስለ ዝዀነ፣
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እንጌራ ኪበልዕ፣ ኣብኡ ኪቕመጥ እዩ። ንሱ ብመገዲ ገበላ እታ ደገ ኺኣቱ፣
ብእኡ ኣቢሉውን ኪወጽእ እዩ። 4 ድሕርዚ ድማ ብመገዲ እታ ደገ ሰሜን ኣቢሉ፣ ናብ ቅድሚ እታ ቤት
ኣምጽኣኒ። ጠመትኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ክብሪ እግዚኣብሄር ነታ ቤት እግዚኣብሄር መሊእዋ ነበረ። ኣነውን
ብገጸይ ፍግም ኢለ ወደቕኩ። 5 እግዚኣብሄር ድማ በለኒ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ነዚ ኣነ ብዛዕባ ኵሉ ስርዓት
ቤት እግዚኣብሄር ኵሉ ሕጋጋታን ዝነግረካ ዘሎኹ፣ ልብኻ ኣውደቐሉ፣ በዒንትኻ ተመልከቶ፣ በእዛንካ

ስምዓዮ። ንመእተዊ እታ ቤትን ንዅሉ መውጽኢ እታ ቤት መቕደስን ኣጸቢቕካ ኣስተብህለሉ። 6 ነዞም
ዓለውቲ ቤት እስራኤል፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በሎም፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣
ርኽሰትኩም ዘበለ ዅሉ ይእከልኩም። 7 እንጌራይን ስብሕን ደምን ከተቕርቡ ኸሎኹኹ፣ ንቤተይ
ኬርክስዋስ ነቶም ልቦም ዘይተገዝረ፣ ስጋኦምውን ዘየተግዝረ ጓኖት ናብ መቕደሰይ ኣእቲኹምዎም
ኢኹም እሞ፣ ንሳቶም ኣብ ልዕሊ ዅሉ ጽያፍኩም ኪዳነይ ኣፍረሱ። 8 ኣብታ መቕደሰይ ንእኦም ኣብ
ክንዳኹም ንኣገልግሎተይ መዘዝኩምዎም እምበር፣ ነቲ ቅዱስ ነገረይ ባዕልኻትኩም ኣየገልገልኩምዎን።
9 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ካብቶም ኣብ ማእከል ደቂ እስራኤል ዘለዉ ጓኖት፣ ልቡ
ዘይተገዝረ፣ ስጋኡውን ዘይተገዝረ ሓደ ወዲ ጓና እኳ ናብ መቕደሰይ ኣይእቶ። 10 እቶም ብስሕተት
እስራኤል ካባይ ዝረሐቑ፣ ንጣኦታቶም ኪስዕቡስ ካባይ ዝረሐቑ ሌዋውያን፣ ግና ኣበሳኦም ኪጾሩ
እዮም። 11 ኣብ ደጌታት እታ ቤት ከኣ ሓለውቲ ኪኾኑ፣ ኣብታ ቤት ኬገልግሉስ፣ ኣብ መቕደሰይ
ኣገልገልቲ ኪኾኑ እዮም። ንሳቶም ንመስዋእቲ ምሕራርን ንመስዋእቲ እቲ ህዝብን ኪሐርዱ፣ ምእንቲ
ኼገልግልዎም ከኣ ኣብ ቅድሚኦም ኪቔሙ እዮም። 12 ኣብ ቅድሚ ጣኦታቶም ኣገልጊሎምዎም፣ ንቤት
እስራኤል ከኣ ናብ ኣበሳ ኣዐንቂፎምዎም እዮም እሞ፣ ስለዚ ንሳቶም ኣበሳኦም ኪጾሩ እዮም ኢለ ኢደይ
ኣልዐልኩሎም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 13 ንሳቶም ድማ ነውርምን ነቲ ዝገበርዎ ጽያፎምን ድኣ
ኺጾሩ እዮም እምበር፣ ብመዓርግ ክህነት ኬገልግሉኒ፣ ኣብቲ እተቐደሰ ነገረይ ኣብቲ ኣዝዩ ቅዱስ ነገር
ኪቐርቡስ ናባይ ኣይኪቐርቡን እዮም። 14 ንዅሉ ዕዮኣን ነቲ ኣብኣ ዚግበር ዘበለ ኵሉን ሓለውቲ እታ
ቤት ኪኾኑ ኽምዝዞም እየ። 15 እቶም፣ ደቂ እስራኤል ካባይ ኪርሕቁ ኸለዉ፣ ንምሕላው መቕደሰይ
እተጸምዱ ኻብ ወገን ሌዋውያን ዝኾኑ ኻህናት ደቂ ጻዶቅ፣ ኬገልግሉኒ ኢሎም ኪቐርቡኒ፣ ስብሕን
ደምን ኪስውኡለይ ኣብ ቅድመይ ዚቔሙ እዚኣቶም እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 16 ንሳቶም
ናብ መቕደሰይ ኪኣትዉ፣ ኬገልግሉንስ ናብ መኣደይ ኪቐርቡ፣ ንኣገልግሎተይውን ኪምዘዙ እዮም። 17
ብደጌታት እታ ውሽጣዊት ኣጸድ ኪኣትዉ ኸለዉ፣ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ኣልባሳት ኪለብሱ
እዮም። ኣብ ደጌታት እታ ውሽጣዊት ኣጸድን ኣብ ውሽጥን ኬገልግሉ ኸለዉ ገለ ናይ ጸጕሪ
ኣይኪኸደኑን እዮም። 18 ኣብ ኣራእሶም ናይ ልህጺ እንጣጢዕ ሻሽ ኪጥምጥሙ፣ ኣብ ሕቝኦምውን ናይ
ልሕጺ እንጣጢዕ ስረ ኺዕጠቑ፣ ዜርህጽ ነገር ኣይኪዕጠቑን እዮም። 19 ናብ ወጻኢ ኣጸድ፣ ናብቲ ኣብ
ወጻኢ ኣጸድ ዘሎ ህዝቢ ኺወጹ ኸለዉ፣ ብኣልባሳቶም ነቲ ህዝቢ ከይቅድስዎስ፣ እቲ ዘገልገሉሉ
ኣልባሳት ኬውጽእዎ፣ ኣብ ቅዱስ ክፍልታት ቤት ከኣ ኬንብርዎ፣ ካልእ ክዳውንቲውን ኪኸደኑ እዮም።
20 ነቲ ጸጕሪ ርእሶምሲ በብሓጺሩ ደኣ ኪቘርጽዎ እዮም እምበር፣ ርእሶም ኣይኪላጽዩን፣ ጸጕሮም ድማ
ኣይኬንውሑን እዮም። 21 ካህን ዘበለ ዅሉ ናብቲ ውሽጢ ኣጸድ ኪእቱ ከሎ፣ ወይኒ ኣይኪሰትን እዩ። 22
ካብ ዘርኢ ቤት እስራኤል ዝኾነት ድንግል ወይስ ሰበይቲ ኻህን ዝነበረት መበለት ደኣ ኺእትዉ እዮም
እምበር፣ መበለት ወይስ ፍትሕቲ ኣይኬእትዉን እዮም። 23 ንሳቶም ንህዝበይ ነቲ ኣብ መንጎ ቅዱሳን
ዘይቅዱስን ዘሎ ምፍላይ ኪምህርዎ፣ ነቲ ኣብ መንጎ ርኹስን ንጹህን ዘሎ ምልላይ ከኣ ኬፍልጥዎ
እዮም። 24 ኣብ ምጕት ፈራዶ ኰይኖም ኪቘሙ፣ ከምቲ ፍርደይ ገይሮም ከኣ ኪፈርዱ እዮም። ብዅሉ
በዓላት ዓመተይ ንሕጋጋተይን ንስርዓተይን ኪሕልዉ፣ ሰናብተይ ኪቕድሱ እዮም። 25 ከይረኽሱስ፣ ናብ
ምዉት ሰብ ኣይቕረቡ። በቦን ኣደን፣ ብወድን ጓልን፣ ብሓውን ብዘይተኣትወት ሓብትን ጥራይ ይርከሱ።
26 ድሕሪ ምንጻሁ ድማ ሾብዓተ መዓልቲ ይቝጸሩሉ። 27 በታ ኣብታ ውሽጣዊት ኣጸድ ኣብ መቕደስ
ኬግልግል፣ ኣብ መቕደስ ዚኣትወላ መዓልቲ ኸኣ፣ መስዋእቲ ሓጢኣቱ የቕርብ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ። 28 ርስቲ ይኹኖም፣ ኣነ እየ ርስቶም። ኣብ እስራኤል ግደ ኣይትሀብዎም፣ ግዲኦምሲ ኣነ እየ። 29

ንሳቶም ነቲ መስዋእቲ ብልዕን ነቲ መስዋእቲ ሓጢኣትን መስዋእቲ ዕዳን ይብልዕዎ። እስራኤል
ዝሐረምዎ ዘበለውን ንኣታቶም ይኹን። [30] በኹሪ ኹሉ ፍርያትኩምን፣ ኩሉ መባእኩም፣ ዝኾነ ይኹን
መባእ ንኻህናት ይኹን። ንቤትኩም በረኸት ምእንቲ ኺሐድራስ፣ በኹሪ ሓሪጭኩም ንኻህን ሀቡ። [31]
እቶም ካህናት ካብ ኣዕዋፍ ወይስ ካብ ከብቲ ዝሐለቕን እተሰብረን ኣይብልዑ።

# ምዕራፍ 45

[1] እምብኣርሲ ነታ ሃገር ርስቲ ኽትኰነኩም ብዕጻ ኽትማቕልዋ ኸሎኹም፣ ካብታ ሃገርስ እተቐደሰት
ክፍሊ ንእግዚኣብሄር መባእ ከተቕርቡ ኢኹም። ምንዋሓ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ እመት፣ ወርዳ ኸኣ
ዓሰርተ ሽሕ እመት ኪኸውን፣ ኣብ ዙርያኣ ብኹሉ ወሰናውን ቅድስቲ ኽትከውን እያ። [2] ካብዚ ድማ
ኣርባዕቲኡ መኣዝና ማዕረ ማዕረ ዝኾነ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝምንዋሓ፣ ሓሙሽተ ሚእቲ ዝወርዳ፣
ንመቕደስ ኪኸውን እዩ። ሓምሳ እመትውን ኣብ ዙርያእ ንኣምፉ ዚነብር ቦታ ኺውሰኻ እዩ። [3] ካብዚ
ልኩዕሲ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ዝምንዋሓ፣ ዓሰርተ ሽሕ እመት ዝወርዳ ኣምት። ኣብኣ እታ መቕደስ፣
ቅድስተ ቅዱሳን፣ ትኹን። [4] እዛ ቅድስቲ ግደ እታ ሃገር ነቶም ኣገልገልቲ መቕደስ ኰይኖም፣
ንእግዚኣብሄር ኬገልግሉ ዚቀርቡ ኻህናት ክትከውን እያ። ነባይቶም ስፍራ፣ ንመቕደስውን ቅዱስ ቦታ
ኽትከውን እያ። [5] ዕስራን ሓመሽተን ሽሕ ዝምንዋሓ፣ ዓሰርተ ሽሕ ዝወርዳ ነቶም ኣብታ ቤት ዜገልግሉ
ሌዋውያን ዕስራ ኽፍሊ ቤት ንርስቶም ክትከውን እያ። [6] ንርስቲ እታ ኸተማ ከኣ ኣብ ኣንጻር እታ
ዝወፈኹምዋ መባእ እታ ቅድስቲ ኽፍሊ ሓሙሽተ ሽሕ ዝወርዳ፣ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ዝምንዋሓ
መደቡ። እዚኣ ንብዘሎ ቤት እስራኤል ትኹን። [7] ነቲ መስፍን ድማ በዝን በትን እታ ቅዱስ መባእ ኰይና
እተወፈየት ምድርን ርስቲ እታ ኸተማን ኣብ መንጽር እታ እተቐደሰት መባእን ኣብ መንጽር ርስቲ እታ
ኸተማን፣ ምዕራባ ናብ ወገን ምዕራብ፣ ምብራቕ ድማ ናብ ወገን ምብራቕ ኪኸውን እዩ። ምንዋሓ ኸኣ
ካብ ወሰን ምዕራብ ሒዙስ ክሳዕ ወሰን ምብራቕ ከንዲ ሓደ ኽፍሊ ኪኸውን እዩ። [8] መሳፍንተይ ከኣ
እታ ምድሪ ንቤት እስራኤል ከከም ነገዶም ኪህብዎም እዮም እምበር፣ ድሕርዚ ንህዝበይ
ኣይኪገፍዕዎምን፣ እዚኣስ ምድሩ፣ ኣብ ኣስራኤል ርስቱ ኽትከውን እያ። [9] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ኣቱም መሳፍንቲ እስራኤል፣ ደጊም ይእከልኩም፣ ዓመጻን በዝባዝን ሕደጉ፣ ቅንዕናን
ጽድቅን ግበሩ፣ ግፍዕኹም ካብ ህዝበይ ኣርሕቑ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [10] ሓቀኛ ሚዛን፣ ሓቀኛ
ኤፋ፣ ሓቀኛ ባት ይሀሉኹም። [11] ኤፋን ባትን ልክዑ ሓድ ይኹን፣ እቲ ባት ዓስራይ ኣፍ ሆመር፣ እቲ
መስፈሪኦም ብሆመር እተለኸዔ ይኹን። [12] ሓደ ሲቃል ዕስራ ጌራ ዚሕዝ ይኹን። እቲ ምና ኸኣ ዕስራ
ሲቃል፣ ዕስራን ሓሙሽተን ሲቃል፣ ዓሰርተው ሓሙሽተ ሲቃል ይኹነልኩም። [13] እቲ ንስኻትኩም
እተቕርብዎ መባእ እዚ እዩ፣ ካብ ሆመር ስርናይ ሳድሳይ ኣፍ ኤፋ፣ ካብ ሆመር ስገም ድማ ሳድሳይ ኣፍ
ኤፋ ወፍዩ። [14] ናይ ዘይቲ ሕጊ፣ ናይቲ ባት ዘይቲ ኸኣ እዚ እዩ፣ ዓሰርተ ባት ሓደ ሆመር እዩ እሞ፣ ካብ
ሓደ ኮር ዓስራይ ኣፍ ባት ይወፈ፣ እቲ ኮር ድማ ዓሰርተ ባት ዚሕዝ ሆመር እዩ። [15] ንኣታቶም ዚኸውን
መበጀዊ ንምግባር፣ ንመስዋእቲ ብልዕን ንመስዋእቲ ምሕራርን ንመስዋእቲ ምስጋናን ካብቲ ማይ ዘለዎ
መዋፍር እስራኤል ካብ መጓሰ ኽልተ ሚእትስ ሓንቲ ብጊዕ ክትውፈ እያ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።
[16] ብዘለዉ ህዝቢ እታ ሃገር ነዚ መባእ እዚ ነቲ መስፍን እስራኤል ኪህብዎ ይግብኦም እዩ። [17] መዚ እቲ
መስፍንሲ ብበዓላትን ብሰርቂ ወርሕን ብሰናብትን ብኹሉ በዓልት ዓመት ቤት እስራኤልን መስዋእቲ
ምሕራርን መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ መስተን ኪውፊ እዩ። ንሱ ንቤት እስራኤል መበጀዊ ምእንቲ

ኺገብረሎም መስዋእቲ ሓጢኣትን መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ ምሕራርን መስዋእቲ ምስጋናን ኬቕርብ
እዩ። 18 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ ቐዳመይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን በታ
ቐዳመይቲ መዓልቲ ንስኻ ጉድለት ዜብሉ ዝራብዕ ክትወስድ ኢኻ እሞ፣ ነታ መቕደስ ከተንጽሃ ኢኻ። 19
እቲ ኻህን ድማ ካብ ደም እቲ መስዋእቲ ሓጢኣት ኪወስድ፣ ኣብ ልዳት እታ ቤትን ኣብ ኣርባዕቲኡ
መኣዝን ሕዳጋይ መሰውእን ኣብ ልዳት ደገ እታ ውሽጣዊት ኣጸድን ኪገብሮ እዩ። 20 ብሳብዐይቲ
መዓልቲ እታ ወርሒ ድማ ስለ እቲ ብጌጋ ዝኣበሰን ስለ እቲ ግሩህን ከምኡ ኽትገብር ኢኻ። ነታ
ቤትውን ከምኡ ኽተበጅውዋ ኢኹም። 21 በታ መጀመርያ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒ ኸኣ ኣብ መበል
ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልትስ፣ ፋስጋ፣ ሾብዓተ መዓልቲ በዓል ይኹነልኩም፣ ቅጫውን ኪብላዕ እዩ። 22
በታ መዓልቲ እቲኣ እቲ መስፍን ብናይ ርእሱን ብናይ ብዘሎ ህዝቢ እታ ሃገርን ሓደ ዝራብዕ ንመስዋእቲ
ሓጢኣት ኬቕርብ እዩ። 23 በዘን ሾብዓተ መዓልቲ በዓል ድማ ጉድለት ዜብሎም ሾብዓተ ዝራብዓትን
ሾብዓተ ድዑላትን ኣብ ጸጽባሕ እዘን ሾብዓተ መዓልቲ ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ምሕራር፣ ኣብ ጸጽባሕ
ከኣ ንመስዋእቲ ሓጢኣት ሓደ ድቤላ ኬቕርብ እዩ። 24 ንሱ ድማ መስዋእቲ ብልዒ፣ ንነፍሲ ወከፍ
ዝራብዕ ሓደ ኤፋ፣ ንነፍሲ ወከፍ ድዑል ከኣ ሓደ ኤፋ፣ ንነፍሲ ወከፍ ኤፋውን ሓደ ሂን ዘይቲ ኬቕርብ
እዩ። 25 ኣብታ ሳብዐይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒውን ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ መዓልቲ በዚ በዓል
እዚ ንሾብዐተ መዓልቲ ኸምቲ መስዋእቲ ሓጢኣት፣ ከምቲ መስዋእቲ ምሕራር፣ ከምቲ መስዋእቲ
ብልዒ፣ ከምቲ ዘይቲ ኬቕርብ እዩ።

## ምዕራፍ 46

1 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እታ ንምብራቕ እትርኢ ደገ እታ ውሽጣዊት ኣጸድ በተን
ሹድሽተ መዓልቲ ዕዮ ኽትዕጾ ብመዓልቲ ሰንበት ግና ክትክፈት፣ ብመዓልቲ ስርቂ ወርሒውን ክትክፈት
እያ። 2 እቲ መስፍን ከኣ በቲ ገበላ እታ ደገ ኣቢሉ ኻብ ወጻኢ ኺኣቱ፣ ኣብ ልዳት እታ ደገውን ኪቖውም
እዩ። ካህናት ከኣ መስዋእቲ ምሕራሩን መስዋእቲ ምስጋናኡን ኬቕርቡ እዮም፣ ንሱ ድማ ኣብ መድረኽ
እታ ደገ ኺሰግድ፣ ድሕሪዚውን ኪወጽእ እዩ። እታ ደገ ግና ክሳዕ ምሸት ኣይክትዕጾን እያ። 3 ህዝቢ እታ
ሃገር ከኣ ብሰናብትን ብሰርቂ ኣዋርሕን፣ ኣብ መእተዊ እዛ ደገ እዚኣ ኾይኖም፣ ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ኪሰግዱ እዮም። 4 እቲ መስፍን ብመዓልቲ ሰንበት ንእግዚኣብሄር ዜቕርበሉ መስዋእቲ
ምሕራርሲ ጉድለት ዜብሎም ሹድሽተ ገንሸል፣ ጉድለት ዜብሉ ሓደ ድዑልን እዩ። 5 መስዋእቲ ብልዒ
ኸኣ ነቲ ድዑል ሓንቲ ኤፋ፣ መስዋእቲ ብልዒ ነቶም ገንሸላት ድማ ከም ርካቡ ኪኸውን፣ ንነፍሲ ወከፍ
ኤፋውን ሓደ ሂን ዘይቲ ኺህልዎ እዩ። 6 ንመዓልቲ ሰርቂ ወርሒ ኸኣ ጉድለት ዜብሉ ዝራብዕን ጉድለት
ዜብሎም ሹድሽተ ገንሸልን ሓደ ድዑልን ኬቕርብ እዩ። 7 ንሱ ኸኣ መስዋእቲ ብልዒ ነቲ ዝራብዕ ሓደ
ኤፋ፣ ነቲ ድዑል ድማ ሓደ ኤፋ፣ ነቶም ገንናሽልውን ከም ርካቡ፣ ንነፍሲ ወከፍ ኤፋ ኸኣ ሓደ ሂን
ዘይቲ ኬቕርብ እዩ። 8 እቲ መስፍን ኪኣቱ ኸሎ፣ ብገበላ እታ ደገ ኺኣቱ፣ ብእኣ ኣቢሉውን ኪወጽእ እዩ።
9 ህዝቢ እታ ሃገር በቲ ዓበይቲ በዓላት ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ምስ መጹ፣ እቲ ኺሰግድ ኢሉ ብደገ
ሰሜን ዝኣተወ ብደገ ደቡብ ሰሜን ኪወጽእ እዩ። በታ ኣንጻራ ደኣ ኺወጽእ እምበር፣ ሓደ እኳ በታ
ዝኣተወላ ደገ ኣይኪምለስን እዩ። 10 እቲ መስፍን ከኣ፣ እቶም ህዝቢ ኺኣትዉ ኸለዉ ኣብ ማእከሎም
ኰይኑ ኺኣቱ፣ ንሳቶም ኪወጹ ኸለዉ ድማ፣ ምስኦም ኪወጽእ እዩ። 11 ብበዓላትን ብበዓላት ዓመትን
እቲ መስዋእቲ ብልዒ ነቲ ዝራብዕ ሓደ ኤፋ፣ ነቲ ድዑል ድማ ሓደ ኤፋ፣ ነቶም ገናሽልውን ከም ርካቡ፣

ነንሓደ ኤፋ ኸኣ ሓደ ሂን ዘይቲ ኬቕርብ እዩ። 12 እቲ መስፍን ከኣ ናይ ፍቓዱ መስዋእቲ፣ መስዋእቲ
ምሕራር ወይስ መስዋእቲ ምስጋና ኸም ፍቓዱ ንእግዚኣብሄር ኬቕርብ ከሎ፣ እታ ንምብራቕ እትርኢ
ደገ ይኸፈተሉ እሞ፣ ነቲ መስዋእቲ ምሕራሩን መስዋእቲ ምስጋናኡን ከምቲ ናይ ሰንበት ገይሩ ኬቕርብ
እዩ። ድሕርዚ ኺወጽእ፣ ምስ ወጸ ድማ፣ እታ ደገ ትተዐጾ። 13 ጉድለት ዜብሉ ናይ ዓመት ገንሸል ከም
መስዋእቲ ምሕራር ኣብ ጸጽባሕ ንእግዚኣብሄር ከተቕርበሉ ኢኻ። ንግሆ ንግሆ ኸትስውኦ ኢኻ። 14
ምስናይዚ መስዋእቲ ብልዒ ሳድሳይ ኣፍ ኤፋ፣ መለስለሲ እቲ ሓርጭ ከኣ ሳልሳይ ኣፍ ሂን ዘይቲ ንግሆ
ንግሆ ኸትቕርብ ኢኻ። እዚ ንእግዚኣብሄር ዚቕረብ መስዋእቲ ብልዒ እዚ ናይ ሓዋሩ ስርዓት ንዅሉ
ጊዜ ኪኸውን እዩ። 15 ገንሸል መስዋእቲ ብልዕን ዘይትን ንግሆ ንግሆ ኸም ናይ ኵሉ ጊዜ ምስዋእቲ
ምሕራር ክትስውኡ ኢኹም። 16 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እቲ መስፍን ንሓደ ካብቶም
ደቁ ውህበት እንተ ሀበ፣ ርስቱ እዩ፣ እዚ ንደቂ ይኹን፣ ደቁ ዝወረስዎ ርስቶም እዩ። 17 ንሓደ ካብ
ገላዉኡ ካብቲ ርስቱ መቚሉስ ውህበት እንተ ሀበ ግና፣ እዚኣ ኽሳዕ ዓመት ሓራ ናቱ ትኹን። ድሕርዚ
ኸኣ ናብቲ መስፍን ትመለስ። ርስትነቱ ድማ ንደቁ ኪኸውን እዩ። 18 እቲ መስፍን ከኣ ነቶም ህዝቢ ካብ
ርስቶም ነቒሉ ርስቲ ኣይውሰደሎም። ካብቶም ህዝበይ ሓደ እኳ ካብ ርስቱ ኸይንቀልስ፣ ነቶም ደቁ ካብ
ርስቱ ኼረስትዮም እዩ። 19 ድሕርዚ ንሱ ናብተን ናይ ሰሜን ዚርኢያ ናይ ካህናት ቅዱሳት ክፍሊ ኣባይቲ
በታ ኣብ ጥቓ እታ ደገ ዘላ መእተዊት ኣቢሉ ኣእተወኒ። እንሆ ድማ፣ ኣብቲ ወሰኑ ንምዕራብ ኣቢሉ
ዚርኢ ቦታ ኣሎ። 20 ንሱ ኸኣ፣ ናብ ወጻኢ ኣጸድ ከየውጽእዎ እሞ እቲ ህዝቢ ኸይቅደስሲ፣ እቲ እቶም
ካህናት ነቲ መስዋእቲ ዕዳን ነቲ መስዋእቲ ሓጢኣትን ዚቕቅልሉ፣ ነቲ መስዋእቲ ብልዒውን ዚስንክትሉ
ቦታ እዚ እዩ፣ በለኒ። 21 ናብ ወጻኢ ኣጸድ ድማ ኣውጽኣኒ፣ ኣብ ኣርባዕቲኤን መኣዝን እታ ኣጸድ ከኣ
ኣሕለፈኒ፣ እንሆውን፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ መኣዝን እታ ኣጸድሲ ኣጸድ ኣሎ። 22 ኣብተን ኣርባዕተ መኣዝን
እታ ኣጸድ ድማ እተቐጽራ ኣጸዳት ኣለዋ፣ ምንዋሔን ኣርብዓ እመት፣ ወርደን ከኣ ሰላሳ እዩ። እዘን
ኣርባዕተ ብመኣዝንሲ ልክዔን ሓደ እዩ። 23 ኣብ ዙርያኤን ኣብ ዙርያ ኣርባዕቲኤን ከኣ መንደቕ ኣሎ። ኣብ
እግሪ እቲ መንደቕ ብዙርያ ድማ መሰኻተቲ ተሰሪሕዎ ኣሎ። 24 ንሱ ኸኣ፣ እዚኣ እታ ዜብስሉላ ቤት እያ፣
እዚኣተን ከኣ እቶም ኣገልግልቲ እዛ ቤት ናይ ህዝቢ መስዋእቲ ዜብስሉለን እየን፣ በለኒ።

# ምዕራፍ 47

1 ንሱ ድማ ናብ ደገ እታ ቤት መለሰኒ። ገጽ እታ ቤት ናብ ምብራቕ ኣቢሉ እዩ ዚርኢ እሞ፣ እንሆ፣
ማያት ካብ ትሕቲ መድረኽ እታ ቤት ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ወጸ። እቲ ማያት ከኣ ካብ ትሕቲ፣ ካብ
የማናይ ወገን እታ ቤት፣ ነታ መሰውእስ ብደቡባ ይወርድ ነበረ። 2 ድሕርዚ ብመገዲ እታ ሰሜናዊት ደገ
ኣውጽኣኒ፣ ብመገዲ እታ ናብ ምብራቕ እትርኢ ደገ፣ ናብታ ኣብ ወጻኢ ዘላ ደገ ብወጻኢ ኣዞረኒ። እንሆ
ኸኣ፣ ማያት ካብቲ የማናይ ወገን ይፍልፍል ነበረ። 3 እቲ ሰብኣይ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ኺወጽእ ከሎ፣
ዚእምተሉ ገመድ ኣብ ኢዱ ነበሮ፣ ብእኡ ኸኣ ሽሕ እመት ኣመተ። በቲ ማያት ኣሳገረኒ፣ ክሳዕ እግረይ
በጽሔ። 4 ከም ብሓድሽ ሽሕ እመት ኣመተ፣ በቲ ማያት ከኣ ኣሳገረኒ፣ እቲ ማያት ድማ ክሳዕ ኣብራኸይ
በጽሔ። ከም ብሓድሽ ሽሕ እመት ኣመተ፣ በቲ ማያት ከኣ ኣሳገረኒ፣ እቲ ማያትውን ክሳዕ ሕቘይ
በጽሔ። 5 ድሕርዚ ሽሕ እመት ኣመተ፣ እቲ ማያት ብዘይ ሓመሳ ዘይስገር ዓሚቝ ውሒዝ ኰይኑ እዩ
እሞ፣ ኣነ ኽሳገሮ ዘይክኣለኒ ውሒዝ ኰነ። 6 ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ ትርኢዶ ኣሎኻ በለኒ። ሽዑ
ወሰድኒ፣ ናብ ወሰን እቲ ውሒዝ ድማ መለሰኒ። 7 ምስ ተመለስኩ፣ እንሆ፣ ወሰን ወሰን እቲ ውሒዝ

በዝን በትን ብዙሕ ኣእዋም ኣሎ። 8 በለኒ ድማ፣ እዚ ማያት እዚ ናብ ምብራቕ ኣቢሉ ይውሕዝ ኣሎ፣
ናብ ጐልጐል ኪወርድ ናብ ባሕሪ ኸኣ ኪበጽሕ እዩ። ናብ ባሕሪ ምስ ኣተወ ድማ፣ እቲ ማያት ኪጥዒ
እዩ። 9 ኪኸውን ድማ እዩ፣ ኣብቲ እዚ ውሒዝ እዚ ዝበጽሖ ዘበለስ ኵሉ ዚዋሳወስ ህያው ነፍሲ
ብህይወት ኪነብር እዩ፣ ዓሳ ኸኣ ኣዝዩም ኪበዝሑ እዮም። እዚ ማያት እዚ ኺኣትዎ እዩ እሞ፣ እቲ
ማያት ባሕሪ ኺጥዒ እዩ። እቲ ውሒዝ ኣብ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ ኵሉ ብህይወት ኪነብር እዩ። 10
ኪኸውን ከኣ እዩ፣ ገፈፍቲ ዓሳ ኣብኡ ኪቘሙ፣ ካብ ዔንገዲ ኽሳዕ ዔንኤግላይም መዘርግሒ መርበብ
ኪኸውን እዩ። ዓሳታት፣ ከምቲ ዓሳ ናይ ዓብዩ ባሕሪ፣ በብዓይነቶም ኣዝዮም ብዙሓት ኣብኡ ኺህልዉ
እዮም። 11 ዓዘቕቱን ዕቋሩን ግና ጨው ኰይኑ ኺነብር እዩ እምበር፣ ኣይኪጥዕን እዩ። 12 ወሰነ ወሰን እዚ
ርባ በዝን በትን ኵሉ ዓይነት ፈራዪ ኣእዋም ኪበቍል እዩ። ኣቝጽልቱ ኣይኪጽምሉን፣ ፍሬኡውን
ኣይኪውዳእን እዩ። ማያቱ ካብቲ መቕደስ እዩ ዚፍልፍል እሞ፣ ኣብ ወወርሒ ሓድሽ ፍረ ኺፈሪ፣
ፍሬታቱ ንምግቢ፣ ኣቝጽልቱ ድማ ንመድሓኒት ኪኸውን እዩ። 13 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ እታ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ርስቲ ጌርኩም እትመቕልዎም ምድሪ፣ ወሰናታ እዚ እዩ፣
ዮሴፍ ክልተ ዕጫ ኺረክብ እዩ። 14 እዛ ነቦታትኩም ክህባ እየ ኢለ ኢደይ ዘልዐልኩላ ምድሪ እቲ ሓደ
ኸምቲ ሓደ ኽትወርስዋ ኢኹም። እዛ ሃገር እዚኣ ርስትኹም ክትከውን እያ። 15 ወሰናት እታ ምድሪ ኸኣ
እዚ እዩ፣ ብወገን ሰሜን ካብቲ ዓብዩ ባሕሪ ሒዙ በታ መገዲ ሃይሎን ኣቢሉ፣ ክሳዕ ጸዳድ፣ 16 ኣብ መንጎ
ወሰን ደማስቆን ወሰን ሃማትን ዘሎ ሃማት፣ ቤሮታ፣ሲብራይም፣ እቲ ኣብ ወሰን ሃውራን ዘሎ
ሓጻርሓቲኮን ድማ። 17 እቲ ወሰን ካብ ባሕሪ ኽሳዕ ሓጻርዔናን ወሰን ደማስቆ ኪኸውን እዩ። ጻፎን ድማ
ኣብ ሰሜን ወሰን ሃማት እዩ። እዚ እቲ ወገን ሰሜን እዩ። 18 ብወገን ምብራቕ ድማ ኣብ ማእከል
ሃውራንን ደማስቆን ጊልዓድን ምድሪ እስራኤልን ዮርዳኖስን እዩ። ካብ ወሰን ሰሜን ናብቲ ኣብ ምብራቕ
ዘሎ ባሕሪ ኽትእምቱ ኢኹም። እዚ እቲ ወገን ምብራቕ እዩ። 19 እቲ ወገን ደቡብ ናብ ደቡብ ኣቢሉ ኸኣ
ካብ ታማር ሒዙ ኽሳዕ ማይ መሪባ ናይ ቃዴስ፣ በቲ ርባ ኽሳዕ እቲ ዓብዩ ባሕሪ እዩ። እዚ እቲ ናብ
ደቡብ ዜብል ወገን ደቡብ እዩ። 20 እቲ ወገን ምዕራብ ድማ እቲ ዓብዩ ባሕሪ ኻብ ወሰን ደቡብ ክሳዕ
መንጽር ሃማት እዩ። እዚ እቲ ወገን ምዕራብ እዩ። 21 ነዛ ሃገር እዚኣ ኸከም ነገድ እስራኤል ንኣኻትኩም
ተማቐልዋ። 22 ኪኸውን ድማ እዩ፣ ንስኻትኩምን ነቶም ኣብ ማእከልኩም ዚነብሩ፣ ኣብ
ማእከልኩምውን ውሉድ ዚወልዱ ጓኖት ርስቲ ጌርኩም ብዕጭ ምቐልዋ። ንሳቶም ኣብ ማእከል ደቂ
እስራኤል ከም ደቂ ዓድኹም ኪዀኑልኩም እዮም። ኣብ ማእከል ነገድ እስራኤል ከኣ ምሳኻትኩም
ንርስቲ ኺርስተዩ እዮም። 23 ኪኸውን ድማ እዩ፣ ነቲ ጓና ኣብታ ዚነብረላ ነገድ፣ ኣብኣ ርስቱ ኽትህብዎ
ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ምዕራፍ 48

1 ስማት እቶም ነገድ እዚ እዩ፣ ካብ ወገን ሰሜን ሒዙ፣ ብጥቓ መገዲ ሃይሎን፣ ክሳኡ ሃማትን ክሳዕ
ሓጻርዔናንን፣ ወሰን ደማስቆ፣ ናብ ሰሜን ኣብ ጥቓ ሃማት ኣቢሉ፣ ካብ ምብራቕ ክሳዕ ምዕራብ ንዳን
ሓደ ኽፍሊ ይኹን። 2 ኣብ ወሰን ዳን ድማ ካብ ወገን ምብራቕ ክሳዕ ወገን ኣሴር ሓደ ኽፍሊ ይኹን። 3
ኣብ ወሰን ኣሴር ከኣ ካብ ወገን ምብራቕ ክሳዕ ወገን ምዕራብ ንንፍታሌም ሓደ ኽፍሊ ይኹን። 4 ኣብ
ወሰን ንፍታሌም ድማ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ ንምናሴ ሓደ ኽፍሊ ይኹን። 5 ኣብ ወሰን
ምናሴ ኸኣ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ውወገን ምዕራብ ንኤፍሬም ሓደ ኽፍሊ ይኹን። 6 ኣብ ወሰን

ኤፍሬም ድማ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ ንሮቤል ሓደ ኽፍሊ ይኹን። [7] ኣብ ወሰን ሮቤል
ከኣ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ ንይሁዳ ሓደ ኽፍሊ ይኹን። [8] ኣብ ወሰን ይሁዳ ድማ ካብ
ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ እቲ እተቕርብዎ መባእ ይኹን። ወርዱ ዕስራን ሓመሽተን እመት፣
ምንዋሑ ኸኣ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ ከንዲ ሓደ ኽፍሊ ይኹን። እታ መቕደስ ድማ ኣብ
ማእከሉ ትኹን። [9] እዛ ንእግዚኣብሄር እተቕርቡሉ መባእ ምንዋሓ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ፣ ወርዳን
ዓሰርተ ሽሕ ትኹን። [10] እዛ ቅድስቲ መባእ እዚኣ ንኻህናት ትኹን። ንሰሜን ምንዋሓ ዕስራን ሓሙሽተን
ሽሕ፣ ንምዕራብ ከኣ ወርዳ ዓሰርተ ሽሕ፣ ንደቡብ ከኣ ምንዋሓ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ እዩ። እታ
መቕደስ እግዚኣብሄርውን ኣብ ማእከላ ትኹን። [11] እዚኣ ነቶም፣ እቶም ደቂ እስራኤል ኪስሐቱ ኸለዉ
ኽምቶም ዚስሕቱ ሌዋውያን ዘይሰሕቱ፣ እተቐደሱ ንኣገልግሎተይውን እተመዘዙ ኻህናት፣ ደቂ ጻዶቅ፣
ትኹን። [12] እዚኣ ኻብታ ኣብ ወሰን ሌዋውያን ዘላ፣ ኣዝያ ቅድስቲ ዝኾነት መባእ ምድሪ ንኣታቶም
መባእ ትኾነሎም። [13] ኣብ ወሰን እታ ናይ ካህናት ከኣ ምንዋሓ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ፣ ወርዳውን
ዓሰርተ ሽሕ ንሌዋውያን ትኹን። ምንዋሓ ኹላኹላ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ፣ ወርዳውን ዓሰርተ ሽሕ
እያ። [14] እዚኣ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰት እያ እሞ፣ ካብኣ ኣይሸጡ፣ ኣይለውጡ፣ እዛ በዅራት ምድሪ
እዚኣ ኣብ ካልእ ኣይትሕለፍ። [15] እታ ኣብ ኣንጻር እቲ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ዘላ ኻብቲ ወርዲ ዝተረፈ
ሓሙሽተ ሽሕ ግና ዘይተቐደሰ ቦታን ሰብ ዚነብረላን ኸተማን ንኸባቢኣን ትኹን። [16] ልክዓ ኸኣ ብወገን
ሰሜን ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን፣ ብወገን ደቡብ ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን፣ ብወገን
ምብራቕ ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን፣ ብወገን ምዕራብውን ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን
እዩ። [17] እቲ ኣብ ከባቢ እታ ኸተማ ዘሎ ቦታ ድማ ብሰሜን ክልተ ሚእትን ሓምሳን፣ ብደቡብ ክልተ
ሚእትን ሓምሳን፣ ብምብራቕ ክልተ ሚእትን ሓምሳን፣ ብምዕራብውን ክልተ ሚእትን ሓምሳን ይኹን።
[18] እታ ትራፍ ናይቲ ምንዋሕሲ ብኣንጻር እታ ቅድስቲ መባእ ኣብ ምብራቕ ኣቢላ ዓሰርተ ሽሕ፣ ኣብ
ምዕራብ ኣቢሉ ኸኣ ዓሰርተ ሽሕ ትኹን፣ እዚኣ ኣንጻር እታ ቅድስቲ መባእ እያ። እቶታውን ምግቢ
እቶም ዓየይቲ እታ ኸተማ ይኹን። [19] እቶም ካብ ኵሎም ነገድ እስራኤል ዝኾኑ ኣብታ ኸተማ ዚዐዩ
ኸኣ ነታ ምድሪ ይሕረስዋ። [20] እታ መባእ ኵላኵላ ምንዋሓ ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ፣ ወርዳ ዕስራን
ሓሙሽተን ሽሕ ትኹን። ንርስቲ እታ ኸተማ ዚኸውን ራብዓይ ክፍሊ እታ ቅድስቲ መባእ ኣልዕሉ። [21]
እቲ ዝተረፈ ንመስፍን ይኹን፣ በዝን በትን እታ ቅድስቲ መባእ ርስቲ እታ ኸተማ፣ ኣብ ኣንጻር እቲ
ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ እመት እታ መባእ ክሳዕ ወሰን ምብራቕ፣ ኣብ ምዕራብ ከኣ ኣብ ኣንጻር እቲ
ዕስራን ሓሙሽተን ሽሕ ናብ ወሰን ምዕራብ ዜብል፣ ማዕረ ማዕረ እቲ ኽፍልታት ዘሎ፣ ነቲ መስፍን
ይኹን። እታ ቅድስቲ መባእን መቕደስ እታ ቤትን ከኣ ኣብ ማእከል ይኹና። [22] ካብቲ ኣብ ማእከል ናይ
መስፍን ዘሎ ርስቲ ሌዋውያንን ርስቲ እታ ኸተማን፣ ኣብ መንጎ ወሰን ይሁዳን ወሰን ብንያምን ዘሎ ነቲ
መስፍን ይኹን። [23] ነቶም ዝተረፉ ነገድ ድማ እዚ እዩ፣ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ ሓደ
ኽፍሊ ንብንያም ይኹን። [24] ኣብ ወሰን ብንያም ድማ ካብ ወገን ምብራቕ ናይ ወገን ምዕራብ ሓደ ኽፍሊ
ንስምኦን ይኹን። [25] ኣብ ወሰን ስምኦን ከኣ ካብ ወገን ምብራቕ ናይ ወገን ምዕራብ ሓፍር ኽፍሊ
ንኢሳኮር ይኹን። [26] ኣብ ወስንይሳኮር ድማ ካብ ወገን ምብራቕ ናይ ወገን ምዕራብ ሓደ ኽፍሊ
ንዛብሎን ይኽይን። [27] ኣብ ወስን ዛብሎን ከኣ ካብ ወገን ምብራቕ ናብ ወገን ምዕራብ ሓደ ኽፍሊ ንጋድ
ይኹን። [28] ኣብ ወሰን ጋድ ድማ ካብ ወገን ደቡብ ናብ ደቡብ ኣቢሉ ወሰኑ ኻብ ታማር ሒዙ ኽሳዕ ማይ
መሪባ ናይ ቃዴስ ክሳዕ እቲ ርባ ኽሳዕ እቲ ዓብዪ ባሕሪ ይኹን። [29] እታ ንነገዳት እስራኤል ዕጭ
ኣውዲቕኩም ርስቲ እተማቕልዎም ምድሪ እዚኣ እያ። እተን ግዴታት ከኣ እዚኤን እየን፣ ይብል

እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 30 መውጽኢታት እታ ኸተማ ድማ እዚ እዩ፣ ብወገን ሰሜን ኣርባዕተ ሽሕን
ሓሙሽተ ሚእትን እመት እዩ ልክዑ። 31 ደጌታት እታ ኸተማ ኸኣ ብስም ነገዳት እስራኤል ይሰመያ።
ናብ ሰሜን ኣቢሉ ሰለስተ ደገ፣ ደገ ሮቤል ሓንቲ፣ ደገ ይሁዳ ሓንቲ፣ ደገ ሌዊ ሓንቲ። 32 ብወገን ምብራቕ
ድማ ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን እመት፣ ደጌታትውን ሰለስተ፣ ደገ ዮሴፍ ሓንቲ፣ ደገ ብንያም
ሓንቲ፣ ደገ ዳን ሓንቲ። 33 ብወገን ደቡብ ከኣ ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን እመት እዩ ልክዑ፣
ደጌታትውን ሰለሰተ፣ ደገ ስምኦን ሓንቲ፣ ደገ ይሳኮር ሓንቲ፣ ደገ ዛብሎን ሓንቲ። 34 ብወገን ምዕራብ
ድማ ኣርባዕተ ሽሕን ሓሙሽተ ሚእትን እመት፣ ደጌታትውን ሰለስተ፣ ደገ ጋድ ሓንቲ፣ ደገ ኣሴር ሓንቲ፣
ደገ ንፍታሌም ሓንቲ። 35 ዙርያኣ ዓሰርተ ሾሞንተ ሽሕ እመት እዩ። ድሕሪ እዛ መዓልቲ እዚኣ ኸኣ ስም
እታ ኸተማ፣ እግዚኣብሄር ኣብኣ እዩ፣ ክትስመ እያ።

# ትንቢት ዳንኤል

## ምዕራፍ 1

1 ንመንግስቲ ዮኣቂም ንጉስ ይሁዳ ኣብታ ሳልሰይቲ ዓመቱ፣ ነቡካድነጻር ንጉስ ባቢሎን ናብ የሩሳሌም
መጺ ከበባውን። 2 እግዚኣብሄር ድማ ንዮኣቂም ንጉስ ይሁዳን ካብ ኣቓሑ ቤት ኣምላኽ ከኣ ሓደ ኽፍልን
ኣብ ኢዱ ሀቦ። ናብ ሃገር ሲንኣር ናብ ቤት ኣምላኹ ወሰዶም፣ ነቲ ኣቓሑውን ኣብ ቤት መዝገብ
ኣምላኹ ኣእተዎ። 3 እቲ ንጉስ ከኣ ንኣሽፈናዝ፣ ሓለቓ እቶም ስሉባቱ፣ ካብ ደቂ እስራኤል፣ ካብ ዓሌት
ንጉስን ካብ ወለዶ ጭዋታትን መንእሰያት ኬምጽእ ነገሮ። 4 እዚኣቶም ከኣ ጕድለት ዜብሎም
መልክዔኛታት ብኹሉ ጥበብ ኣስተውዓልትን ምሁራትን ኣእምሮኛታትን ኣብ ኣደራሽ ንጉስ ምቛም
ዚኽእሉን ኪኾኑ፣ ናይ ከለዳውያን መጻሕፍትን ቋንቋን ከኣ ኪምህርዎም፣ ኢሉ ነገሮ። 5 እቲ ንጉስ ድማ
ካብቲ ብልዒ ንጉስን ካብቲ ንሱ ዚሰትዮ ወይንን ጸጽባሕ ድርጎ ሰርዓሎም። ሰለስተ ዓመት ኪምገቡ፣
ድሕሪዚውን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኪቈሙ፣ ኢሉ ኣዘዘ። 6 ኣብ ማእከል እዚኣቶም ድማ ካብ ደቂ ይሁዳ፣
ዳንኤልን ሃናንያን ሚሻኤልን ኣዛርያን ነበሩ። 7 እቲ ሓለቓ ስሉባት ከኣ ስማት ኣውጽኣሎም፣ ንዳንኤል
ቤልሻጽር፣ ንሃናንያ ሲድራቅ፣ ንሚሻኤል ሚሳቅ፣ ንኣዛርያ ድማ ዓብድኔጎ ኢሉ ሰመዮም። 8 ዳንኤል ግና፣
በቲ ብልዒ ንጉስን በቲ ዚሰትዮ ወይንን ከይረክስ፣ ብልቡ ሓለነ፣ ብግዲ ኸይረክስ ድማ ነቲ ሓለቓ
ስሉባት ለመኖ። 9 ኣምላኽ ከኣ ንዳንኤል ኣብ ቅድሚ እቲ ሓለቓ ስሉባት ሞገስን ምሕረትን ሀቦ። 10 እቲ
ሓለቓ ስሉባት ከኣ ንዳንኤል፣ ኣነ ነቲ መብልዕኩምን መስቴኹምን ዘዳረገኩም ጐይታይ ንጉስ እፈርሆ
ኣሎኹ። ንገጽኩምሲ ኻብ ናይቶም መሳቱኹም መንእሰያት ዐቢሩ እንተ ረኸቦ፣ ሽዑ ንርእሰይ ብንጉስ
ከይተቕጽዕዋ እፈርህ ኣሎኹ፣ በሎ። 11 ሽዑ ዳንኤል ነቲ፣ እቲ ሓለቓ ስሉባት ኣብ ልዕሊ ዳንኤልን
ሃናንያን ሚሻኤልን ኣዛርያን ዝሸሞ መጋቢ፣ 12 ጥረ እንበልዖ ማይ ከኣ እንሰትዮ ሂብካ፣ ዓሰርተ መዓልቲ
እሞ ንባሮትካ ተዐዘበና። 13 ደሓር ገጽናን ገጽ እቶም ብልዒ ንጉስ ዝበልዑን ኣብ ቅድሜኻ ይርኤ፣ ሽዑ
ንባሮትካ ኸምቲ ዝርኤኻዮ ግበረና፣ በሎ። 14 ንሱ ድማ ነዚ ነገርዚ ሕራይ ኢሉ፣ ዓሰርተ መዓልቲ
ተዐዘቦም። 15 እተን ዓሰርተ መዓልቲ ምስ ተወድኣ ኸኣ፣ ካብ ኵሎም እቶም መብልዕ ንጉስ ዝበልዑ
መንእሰያት ዝበለጸ፣ በሪሁን ሀጢሮምን ተራእዩ። 16 ሽዑ እቲ መጋቢ ነቲ ድርጎኦም ብልዕን ዚሰትይዎ
ወይንን ኣትሪፉ፣ ጥረ ሀቦም። 17 ኣምላኽ ከኣ ነዞም ኣርባዕተ መንእሰያት እዚኦም ፍልጠት፣ ብኹሉ
መጻሕፍትን ጥበብን ከኣ ምስትውዓል ሀቦም። ዳንኤል ድማ ኵሉ ራእያትን ሕልምታትን የስተውዕል
ነበረ። 18 እታ፣ እቲ ንጉስ ኪኣትዉላ ኢሉ ዝመደባ መዓልቲ ምስ በጽሔት፣ እቲ ሓለቓ ስሉባት ኣብ
ቅድሚ ነቡካድነጻር ኣኣተዎም። 19 እቲ ንጉስ ከኣ ተዛረቦም፣ ካብ ኵላቶም ድማ ከም ዳንኤልን ሃናንያን
ሚሻኤልን ኣዛርያን ዝበለ ኣይተረኽበን። ንሳቶምውን ኣብ ቅድሚ ንጉስ ቈሙ። 20 ብዛዕባ እቲ ንጉስ
ዝጠየቖም ናይ ጥበብን ምስትውዓልን ኵሉ ነገር፣ ካብቶም ኣብ ግዝኣቱ ጠቢባንን ፈለጥትን ዓሰርተ ኢድ
በሊጾም ረኸቦም። 21 ዳንኤል ድማ ክሳዕ እታ ቐዳመይቲ ዓመት ንጉስ ቂሮስ ጸንሔ።

## ምዕራፍ 2

1 ነቡካድነጻር ኣብታ ኻልኣይቲ ዓመት መንግስቱ ሕልሚ ሐለመ፣ መንፈሱ ኸኣ ተሀወኸ፣ ድቃሱ ኸኣ

ካብኡ በረረ። 2 ሽዑ እቲ ንጉስ ንፈለጥትን ጠቢባንን ጠንቌልትን ከለዳውያንን፣ ንንጉስ ሕልሙ
ኺነግርዎ ኢሉ፣ ኪጽውዕዎም አዘዘ። ንሳቶም ከኣ መጹ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ንጉስውን ቈሙ። 3 እቲ ንጉስ
ድማ፣ ሕልሚ ሐሊመስ ነቲ ሕልሚ ኺፈልጥ መንፈሰይ ተሀዊኹ ኣሎ፣ በሎም። 4 ሽዑ እቶም
ከለዳውያን ንንጉስ ብእራማይስጢ፣ ዎ ንጉስ ንዘለኣለም ህያው ኩን፣ ንባሮትካ ሕልምኻ ንገረና፣
ንሕናውን ትርጉሙ ኽንነግረካ ኢና፣ በልዎ። 5-6 እቲ ንጉስ ከኣ ነቶም ከለዳውያን፣ እቲ ነገር ረሲዐዮ እየ።
ነቲ ሕልምን ትርጉሙን እንተ ዘየፍለጥኩምኒ፣ ንስኻትኩም ክትስየፉ፣ ኣባይትኹም ድማ ምድርባይ
ጐሓፍ ኪኸውን እዩ። ነቲ ሕልምን ትርጉሙን እንተ ነገርኩምኒ ግና፣ ህያብን ውህበትን ዓብዪ ኽብረትን
ክህበኩም እየ፣ እምብኣርስኸ ነቲ ሕልምን ትርጉሙን ንገሩኒ፣ ኢሉ መለሰሎም። 7 ንሳቶም ድማ ካልእይ
ጊዜ፣ እቲ ንጉስ ንባሮቱ ሕልሙ ይንገረና፣ ንሕናውን ትርጉሙ ኽንነግር ኢና፣ ኢሎም መለሱሉ። 8 እቲ
ንጉስ ከኣ፣ እቲ ነገር ከም ዝረሳዕክዎ ስለ ዝርኤኹም፣ጊዜ ኽትረኽቡ ትደልዩ ኽም ዘሎኹም፣ ብርግጽ
እፈልጥ ኣሎኹ። 9 ነቲ ሕልሚ እንተ ዘየፍለጥኩምኒ ግና፣ ፍርድኹም ሓንቲ እያ። ንስኻትኩም ጊዜ
ኽሳዕ ዚሓልፍ፣ ኣብ ቅድመይ ቃላት ሓሶትን ምትላልን ክትዛረቡ ተሳማሚዕኩም ኣሎኹም፣
እምብኣርስኸ ነቲ ሕልሚ ንገሩኒ፣ ኣነ ኸኣ ትርጉሙ ኽም እትነግሩኒ እፈልጥ እየ፣ ኢሉ መለሰሎም። 10-
11 እቶም ከለዳውያን ከኣ ኣብ ቅድሚ ንጉስ፣ ንጉስሲ፣ ምንም እኳ ዓብይን ብርቱዕን እንተ ኾነ፣
ንፈላጥን ጠቢብን ከለዳውን ከምዚ ነገር ዝጠየቐ የልቦን እሞ፣ ነቲ ነገር ንጉስ ዜፈልጥ ሰብ ኣብ ምድሪ
ከቶ ኣይርከብን እዩ። እቲ ንጉስ ዚደልዮ ነገር ዜሽግር እዩ እሞ ኣማልኽቲ እንተ ዘይኰይኖም፣ ነዚ ኣብ
ቅድሚ ንጉስ ኬፍልጦ ዚኽእል የልቦን፣ ማሕደሮም ድማ ምስ ስጋ ዝለበሱ ኣይኰነን፣ ኢሎም መለሱ።
12 ስለዚ እቲ ንጉስ ኰረየ፣ ኣዝዩ ተናደደ፣ ንዘለዉ ጠቢባን ባቢሎን ከኣ ኬጥፍእዎም አዘዘ። 13 እቲ ፍርዲ
ድማ ወጸ፣ ነቶም ጠቢባን ከኣ ኪቐትልዎም ጀመሩ፣ ንዳንኤልን ንመሓዙቱንውን ኪቐትልዎም ኢሎም
ይደልይዎም ነበሩ። 14 ሽዑ ዳንኤል ንኣርዮክ፣ ነቲ ንጠቢባን ባቢሎን ኪቐትሎም ዝወጸ ሓለቓ
ዘብዔኛታት ንጉስ፣ ብምኽርን በእምሮን መለሰሉ። 15 ንሱ ንኣርዮክ፣ ናይ ንጉስ መኰንን፣ እዚ ብርቱዕ
ፍርዲ ኻብ ንጉስ ስለምንታይ ወጸ ኢሉ መለሰሉ። ኣርዮክ ድማ እቲ ነገር ንዳንኤል ኣፍለጦ። 16 ዳንኤል
ከኣ ናብ ንጉስ ኣትዩስ፣ እቲ ትርጉሙ ኬፍልጦስ ጊዜ ኺህቦ፣ ንንጉስ ለመኖ። 17-18 ድሕርዚ ዳንኤል ናብ
ገዝኡ ኸደ እሞ፣ ዳንኤልን መሓዙቱን ምስቶም ዝተረፉ ጠቢባን ባቢሎን ከይጠፍኡ፣ ብዛዕባ እዚ
ምስጢር እዚ ኻብ ኣምላኽ ሰማይ ምሕረት ኪልምኑስ ንሃናንያን ንሚሻኤልን ንኣዛርያን መሓዙቱ፣ እቲ
ነገር ኣፍለጦም። 19 ሽዑ እቲ ምስጢር ንዳንኤል ብራእይ ለይቲ ተገልጸሉ። ዳንኤል ከኣ ንኣምላኽ ሰማይ
ኣመስገኖ። 20 ዳንኤል ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፣ ጥበብን ስልጣንን ናቱ እዩ እሞ፣ ስም ኣምላኽ ካብ
ዘለኣለም ንዘለኣለም ይባረኽ። 21 ንሱ ዘመናትን ወርሓትን ይለዋውጥ፣ ነገስታት ይስዕር ነገስታት ከኣ
ይሸይም፣ ነቶም ጠቢባን ጥበብ ነቶም ኣስተውዓልቲ ኸኣ ምስትውዓል ይህቦም። 22 ንሱ ዓሚቕ ሕቡእን
ይገልጽ እቲ ኣብ ጸልማት ዘሎ ይፈልጥ፣ ብርሃንውን ምስኡ እዩ ዚነብር። 23 ዎ ኣምላኽ ኣቦታተይ፣ ነቲ
ነገር ንጉስ ኣፍሊጥካኒ ኢኻ እሞ፣ ጥበብን ሓይልን ስለ ዝሀብካኒ፣ ሕጂውን እቲ ዝለመንናካ ስለ
ዝገለጽካለይ፣ ኤመስግነካን እውድሰካን ኣሎኹ። 24 ስለዚ ዳንኤል ናብቲ እቲ ንጉስነቶም ጠቢባን
ባቢሎን ኬጥፍኦም ዝኣዘዞ ኣርዮክ ከደ፣ ኣትዩ ኸኣ፣ ነቶም ጠቢባን ባቢሎን ኣይተጥፍኣዮም፣ ናብ
ቅድሚ ንጉስ ውሰደኒ፣ ኣነውን ንንጉስ እቲ ትርጉም ከፍልጦ እየ፣ ኢለ ነገሮ። 25 ሽዑ ኣርዮስ ንዳንኤል
ቀልጢፉ ናብ ንጉስ ኣእተዎ እሞ፣ እኔኹ ኻብቶም ደቂ ምሩኻት ይሁዳ ንንጉስ ትርጉም ዜፍልጥ ሰብኣይ
ረኺበ ኣሎኹ፣ በሎ። 26 እቲ ንጉስ ከኣ ነቲ ቤልጥሻጽር እተሰምየ ዳንኤል፣ ነቲ ዝርኤኽዎ ሕልምን
ትርጉምን ከተፍልጠኒዶ ትኽእል ኢኻ ኢሉ መለሰሉ። 27 ዳንኤል ከኣ ኣብ ቅድሚ ንጉስ፣ ነዛ ንጉስ

ዚሓተላ ዘሎ ምስጢርስ እቶም ጠቢባንን ጠንቈልትን ከለዳውያንን ፈለጥትን ንንጉስ ኪነግርዎ
ኣይኽእሉን እዮም፣ ኢሉ መለሰ። 28 ግናኸ ኣብ ሰማይ ዘሎ ሓደ ኣምላኽ እዩ ምስጢራት ዚገልጽ፣ ንሱ
ኸኣ ንንጉስ ነቡካድነጻር በቲ ዳሕራይ ዘመንሲ እንታይ ከም ዚኸውን ኣፍለጦ። እቲ ኣብ ምድቃስካ
ዝርኤኻዮ ሕልምኻን ራእያት ርእስኻን እዚ እዩ፣ 29 ዎ ንጉስ፣ ብዛዕባ እቲ ብድሕሪዚ ዚኸውን፣ ኣብ
ምድቃስካ ኽሎኻ፣ ሓሳባት ተንስኣካ። እቲ ምስጢራት ዚገልጽ ከኣ ነቲ ዚኸውን ኣፍለጠካ። 30 ንኣይ
እዚ ምስጢር እተገልጸለይሲ ፣እቲ ትርጓሜኡ ንንጉስ ምእንቲ ኽንገር እሞ፣እቲ ሓሳባት ልብኻ
ኽትፈልጦ እዩ እምበር፣ ካብ ኵላቶም ኣብዛ ዓለም ዘለዉ ብጥበብ ስለ ዝበለጽኩ ኣይኰነን። 31 ዎ ንጉስ፣
እንሆ፣ ንስኻ ዓብዩ ምስሊ ርኤኻ። እዚ ገዚፍን ምንጽብራቑ ኸኣ ዜገርምን ዝነበረ ምስሊ ኣብ ቕድሜኻ
ቘመ፣ ትርኢቱውን ዜፍርህ ነበረ። 32 እዚ ምስሊ እዚ፣ ርእሱ ብሉጽ ወርቂ፣ ደረቱን ቀላጽሙን ብሩር፣
ከብዱን ሕቕኡን ከኣ ኣስራዚ ነበረ፣ 33 መሓውሩ ሓጺን፣ ኣእጋሩ ኸኣ ገሊኡ ሓጺን፣ ገሊኡ መሬት
ነበረ። 34 ንስኻ ትጥምት ነበርካ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኢድ ከይተንከዮ እምኒ ተፈንቂሉ፣ ነቲ ሕጺንን መሬትን
ዝኾነ ኣእጋር እቲ ምስሊ ወቒዖን ዳዕመኸን። 35 ሽዑ እቲ ሓጺንን መሬት ኣስራዝን ብሩርን ወርቅን
ብሓደ ተዳዕመ፣ ከም ብቕቡቕ ዓውዲ ቐውዒ ኰነ፣ ኣሰሩ ኽሳዕ ዚጠፍእ ከኣ ንፋስ ወሰዶ ነቲ ምስሊ
ዝወቕዖ እምኒ ግና ዓብዩ ኸረን ነ፣ ንብዘላ ምድሪውን መልኣ። 36 እቲ ሕልሚ እዚ እዩ፣ ትርጓሜኡ ኸኣ
ኣብ ቅድሚ ንጉስ ክነግሮ ኢና። 37 ዎ ንጉስ፣ እቲ ኣምላኽ ሰማይ ንኣኻ መንግስትን ስልጣንን ሓይልን
ክብርን ዝሀበካ ንጉስ ነገስታት ንስኻ ኢኻ። 38 ደቂ ሰብን እንስሳ መሮርን ኣዕዋፍ ሰማይን ዜነብሩሉ ዘበለ
ኸኣ ኣብ ኢድካ ሀበካ፣ ኣብ ልዕሊ ዅላቶም ድማ ኣግዝኣካ፣ እቲ ርእሲ ወርቂ ንስኻ ኢኻ። 39
ብድሕሬኻ ድማ ካባኻ እትንእስ ካልእ መንግስቲ ኽትትንስእ፣ ኣብ ልዕሊ ዅላ ምድሪ እትገዝእ ካልእ
ሳልሳይቲ መንግስቲ ኣስራዚውን ክትትንስእ እያ። 40 እታ ራብዐይቲ መንግስቲ ኸም ሓጺን ብርትዕቲ
ኽትከውን፣ ከምቲ ሓጺን ንዅሉ ነገር ዜጭፍልቕን ዘሰባብርን፣ ኸምኡ ኸኣ ከም ዜቕጥቅጥ ሓጺን
ኰይና፣ ነዚ ዅሉ ኽትጭፍልቕን ክትቅጥቅጥን እያ። 41 እቲ ኣእጋርን ኣጻብዕን ገሊኡ መሬት፣ ገሊኡ
ሓጺን ዝርኤኻዮ፣ ከምኡ እተፈላለየት መንግስቲ ኽትከውን እያ። ግናኸ፣ ከምቲ ሓጺን ምስ ልምሉም
መሬት ተሐዊሱ ዝርኤኻዮ፣ ካብ ጽንዓት ሓጺን ገለ ኺህልዎ እዩ። 42 ከምቲ ኣጻብዕ ኣእጋር ገሊኡ
ሓጺን፣ ገሊኡ ኸኣ መሬት ዝነበረ፣ ከምኡውን እታ መንግስቲ ገሊኣ ብርትዕቲ፣ ገሊኣ ኸኣ ተሰባሪት
ክትከውን እያ። 43 እቲ ሓጺን ምስ ልምሉም መሬት ተሐዋሲ ዝርኤኻዮ፣ ንሳቶም ምስ ዘርኢ ሰብ
ኪተሓዋወሱ፣ ግናኸ፣ ከምቲ ሓጺን ምስ መሬት ዘይላገብ፣ ንሓድሕዶም ኣይኪላገቡን እዮም። 44
ብዘመን እዞም ነገስታት እዚኣቶም ኣምላኽ ሰማይ ንዘለኣለም ከቶ ዘይትጠፍእን፣ ግዝኣታ ንኻልእ ህዝቢ
ዘይውሀብን መንግስቲ ኼተንስእ እዩ። ንዅለን እዘን መንግስትታት እዚኣተን ክትጭፍልቐንን
ከተጥፍኤንን እያ፣ ንሳ ግና ንዘለኣለም ክትቀውም እያ። 45 ከምቲ እምኒ፣ ኢድ ከይተንከዮ፣ ካብ ከረን
ተፈንቂሉ ንሓጺንን ኣስራዝን መሬትን ብሩርን ወርቅን ኪድዕምኾ ኽሎ ዝርኤኻዮ፣ እቲ ዓብዩ ኣምላኽ
ንንጉስ ነቲ ድሕሪዚ ዚኸውን ኣፍለጦ። እቲ ሕልሚ ርግጽ፣ ትርጓሜኡ ኸኣ እሙን እዩ። 46 ሽዑ ንጉስ
ነቡካድነጻር ብግምባሩ ተደፊኡ ንዳንኤል ሰገደሉ። መስዋእቲ ብልዕን ዕጣንን ኬቕርቡሉ ድማ ኣዘዘ። 47
እቲ ንጉስ ንዳንኤል፣ ንስኻ ነዛ ምስጢር እዚኣ ኽትገልጻ ካብ ከኣልካስ፣ እቲ ኣምላኽኩም ብሓቂ
ኣምላኽ ኣማልኽትን ጐይታ ነገስታትን ገላጺ ምስጢራትን እዩ፣ ኢሉ መለሰሉ። 48 ሽዑ እቲ ንጉስ
ንዳንኤል ልዕል ኣበሎ፣ ብዙሕን ዓብይን ውህበት ሀቦ፣ ኣብ ልዕሊ ዅላ ኣውራጃ ባቢሎን ኣግዝኦ፣ ኣብ
ልዕሊ ዅሎም ጠቢባን ባቢሎን ከኣ ሓለቓ ገበሮ። 49 ዳንኤል ንንጉስ ለሚኑ፣ ንሲድራቅን ሚሳቅን
ዓብድኔጎን ኣብ ልዕሊ ተግባር ኣውራጃ ባቢሎን ሾሞም። ዳንኤል ግና ኣብ ደገ ንጉስ ነበረ።

# ምዕራፍ 3

1 ንጉስ ነቡካድነጻር ድማ ስሳ እመት ዝቑመቱ፣ ሹድሽተ እመት ዝወርዱ ናይ ወርቂ ምስሊ ገበረ። ኣብ
ጐልጐል ዱራ ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ኣቘሞ። 2 ንጉስ ነቡካድነጻር ከኣ ንመሳፍንትን ሹመኛታትን
ራእስታትን ዳኛታትን መገብትን ኣማኸርትን ሓላቑን ኣብ ብሃገሩ እተሾሙ ምስለኔታትን፣ ነቲ ንጉስ
ነቡካድነጻር ዘቘሞ ምስሊ ምእንቲ ኺጽምልዎ፣ ኪእከቡ ለኣኸሎም። 3 ሽዑ እቶም መሳፍንትን
ሹመኛታትን ራእስታትን ዳኛታትን መገብትን ኣማኸርትን ሓላቑን ኣብ ብሃገሩ እተሾሙ ምስለኔታትን
ነቲ ንጉስ ነቡካድነጻር ዘቘሞ ምስሊ ኺጽምብልዎስ ተኣከቡ፣ ኣብ ቅድሚ እቲ ነቡካድነጻር ዘቘሞ
ንምስሊ ኸኣ ቘሙ። 4-6 እቲ ኣዋጅ ነጋሪ ዓው ኢሉ፣ ኣቱም ህዝብታትን ወገናትን ቋንቋታትን፣ ደሃይ
መለኸት እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ነጋሪት ብዘሎ መሳርያ ሙዚክን ምስ ሰማዕኩም፣ ነቲ
ንጉስ ነቡካድነጻር ዘቘሞ ምስሊ ወርቂ ፍግም ኢልኩም ክትሰግድሉ፣ ተኣዚዝኩም ኣሎኹም። ፍግም
ዘይበለ ዘይሰገደን ግና ብኡብኡ ኣብ ጕሁር እቶን ሓዊ ኺድርበ እዩ፣ ኢሉ ኣወጀ። 7 ስለዚ ኹሎም
ኣህዛብ ነቲ ጭራ ዋጣን ብዘሎ መሳርያ ሙዚክን ምስ ሰምዑ፣ ብኡብኡ ኹሎም እቶም ኣህዛብ ወገናትን
ቋንቋታትን ነቲ ንጉስ ነቡካድነጻር ዘቘሞ ምስሊ ወርቂ ግፍም ኢሎም ሰገድሉ። 8 በቲ ጊዜ እቲ
ከለዳውያን ሰባት ቀረቡ እሞ ነቶም ኣይሁድ ከሰስዎም። 9 ንሳቶም ከኣ ንንጉስ ነቡካድነጻር መለሱሉ
በልዎውን፣ ዎ ንጉስ፣ ንዘለኣለም ህያው ኩን። 10-11 ዎ ንጉስ፣ ንስኻ ነፍሲ ወከፍ ንደሃይ መለኸትን
እምብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ነጋሪትን ብዘሎ መሳርያ ሙዚክን ኪሰምዕ ከሎ፣ ፍግም ኢሉ
ነቲ ምስሊ ወርቂ ኺሰግደሉ፣ ነፍሲ ወከፍ ፍግም ዘይብልን ዘይሰግድን ድማ፣ ኣብቲ ጕሁር እቶን ሓዊ
ኺድርበ፣ ኢልካ ኣዘዝካ። 12 እምብኣርሲ ዎ ንጉስ፣ ኣብ ልዕሊ ተግባር ኣውራጃ ባቢሎን ዝሾምካዮም
ኣይሁድ ሰባት፣ ሲድራቅን ሚሳቅን፣ ዓብዱ፣ኔጎን፣ ኣልውዉ፣ ንሳቶም ግድኻ የብሎምን፣ ንኣማልኽትኻ
ኣየምልኹን፣ ነቲ ዘቘምካዮ ምስሊ ወርቂውን ኣይሰግዱሉን እዮም፣ በልዎ። 13 ሽዑ ነቡካድነጻር ኲርዩን
ነዲሩን ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ኬምጽእዎም ኣዘዘ። ሽዑ ነዞም ሰባት እዚኣም ኣብ ቅድሚ ንጉስ
ኣምጽእዎም። 14 ነቡካድነጻር መለሰ በሎምውን፣ ኣቱም ሲድራቅ፣ሚሳቅ፣ዓብድኔጎ፣ እቲ ንኣማልኽተይ
ዘይምምላኽኩም፣ ነቲ ዘቘምክዎ ምስሊ ወርቂውን ዘይምስጋድኩምሲ ንዕቀት ድዩ 15 ሕጂ ድማ ነቲ
ደሃይ መለኸት እምንብልታን መሰንቆን በገናን ጭራ ዋጣን ነጋሪት ብዘሎ መሳርያ ሙዚክን ክትሰምዑ
ኸሎኹም፣ ፍግም ክትብሉን ነቲ ዝገበርክዎ ምስሊ ኽትሰግዱሉን ተዳለው። እንተ ዘይሰገድኩምሉ ግና፣
ብኡብኡ ናብቲ ጕሁር እቶን ሓዊ ኽትድርበዩ ኢኹም። እቲ ኻብ ኢደይ ዜናግፈኩም ኣምላኽከ መን እዩ
በሎም። 16 ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ነቲ ንጉስ ከምዚ ኢሎም መለስሉ፣ ዎ ነቡክድነጻር፣ በዚ ነገርዚ
ምላሽ ክንህበካ ኣይድልየናን። 17 ዎ ንጉስ፣ እቲ እነምልኾ ኣምላኽ ካብቲ ጕሁር ሓዊ ኼናግፈና ይኽእል
እዩ፣ ካብ ኢድካውን ኬናግፈና እዩ። 18 ዎ ንጉስ፣ ንሱ ኼናግፈና እንተ ዘይፈተወ፣ ንሕናስ ንኣማልኽትኻ
ኽም ዘይንምልኾም፣ ነቲ ዘቘምካዮ ምስሊ ወርቂውን ከም ዘይንሰግደሉ ፍለጥ፣ በልዎ። 19 ሽዑ
ነቡካድነጻር ብሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን እምብዛ ተናደደ፣ ትርኢቱ ገጹውን ተለወጠ። ነቲ እቶን
ካብቲ ዝነበሮ ሾብዓተው ኢድ ዝበለጸ ኼንድድዎ ኣዘዘ። 20 ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ኪኣስርዎም
እሞ ናብቲ ጕሁር እቶን ሓዊ ኺድርብይዎም፣ ካብቲ ሰራዊቱ ሓያላት ሰባት ኣዘዘ። 21 ሽዑ እዞም ሰባት
እዚኣቶም ብቐምሾምን ባርኖሶምን መጓናጸፍያኦምን ብኹሉ ኽዳውንቶምን ተኣስሩ፣ ናብቲ ጕሁር እቶን
ሓዊ ኸኣ ተደርበዩ። 22 እቲ ትእዛዝ ንጉስ እምብዛ ስለ ዝገንሐ፣ እቲ እቶን ድማ ኣዝዩ ስለ ዝረሰነ፣ እቲ
ሃልሃልታ ሓዊ ነቶም ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ዝደርበይዎም ሰባት ቀተሎም። 23 እዞም ሰለስተ
ሰባት እዚኦም፣ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን፣ ብእሱራቶም ናብቲ ጕሁር እቶን ሓዊ ወደቑ። 24 ሽዑ

እቲ ንጉስ ነቡካድነጻር ሰምበደ፣ ተቐላጢፉውን ተንስኤ፣ ነማኸርቱ ድማ፣ እቶም ኣሲርና ናብ ሓዊ
ዝደርቤናዮምሲ ሰለስተ ሰባትዶ ኣይኰኑን ኢሉ በሎም። ንሳቶም ከኣ ንንጉስ፣ ርግጽ እዩ፣ ዎ ንጉስ፣
ኢሎም መለስሉ። [25] ንሱ ኸኣ፣ እንሆ፣ ኣነ ኣርባዕተ ፍቱሓት ሰባት፣ ገለ እካ ኸይተጐድኡ፣ ኣብ ማእከል
ሓዊ ኺመላለሱ እርኢ ኣሎኹ፣ ትርኢቱ እቲ ራብዓይ ድማ ወዲ ኣምላኽ ይመስል፣ ኢሉውን መለሰ። [26]
ድሕርዚ ነቡካድነጻር ናብ ኣፍ እቲ ጐሁር እቶን ሓዊ ቐረበ እሞ፣ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎ፣ ኣቱም
ባሮት ኣምላኽ፣ ውጹ፣ ናብዚ ንዑ፣ ኢሉ ተዛረበ።ሽዑ ንሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ካብቲ ሓዊ
ወጹ። [27] እቶም መሳፍንትን ሹመኛታትን ራእስታትን ኣማኸርቲ ንጉስን ተኣኪቦም፣ ነቶም ሰባት እቲ ሓዊ
ኣብ ስጋኦም ገለ ሓይሊ ኸም ዘይነበሮን ረኣዩ። ጸጒሪ ርእሶም ኣይቃረየን፣ ክዳውንቶም ኣይተለወጠን፣
ኤረ ጨና ሓዊ እኳ ኣይሐለፎምን። [28] ነቡካድነጻር ከኣ፣ እቲ ነቶም ባሮቱ መልኣኹ ሰዲዱ ዘናገፎም
ኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ይባረኽ። ንሳቶም ኣብኡ ተወኪሎም ትእዛዝ ንጉስ ኣበዩ፣ ብዘይ
ንኣምላኾም ንኻልኦት ኣማልኽቲ ኸየምልኹን ከይሰግዱንሲ ስጋኦም ወፈዩ፣ ኢሉ መለሰ። [29] ከምኡ
ገይሩ ኼናግፍ ዚኽእል ካልእ ኣምላኽ የልቦን እሞ፣ ስለዚ ኣነ፣ ዝኾነ ይኹን ካብ ብዘለዉ ኣህዛብን
ወገናትንቛንቛታትን ንኣምላኽ ሲድራቅን ሚሳቅን ዓብድኔጎን ሕሱም ቃል ዜውስእ፣ ንሱ ኪስየፍ፣ ቤቱ
ኸኣ ምድርባይ ጐሓፍ ኪኸውን፣ እእዝዝ ኣሎኹ፣ ኢሉ መለሰ። [30] ድህርዚ እቲ ንጉስ ንሲድራቅን
ሚሳቅን ዓብድኔጎን ኣብ ኣውራጃ ባቢሎን ሾሞም።

# ምዕራፍ 4

[1] ካብ ንጉስ ነቡካድነጻር ናብ ብዘላ ምድሪ ዘሎኹም ኵሉኹም ኣህዛብን ወገናትን ቛንቛታትን፣ ሰላም
ይብዛሕኩም። [2] እቲ ልዑል ኣምላኽ ዝገበረለይ ትእምርትን ተኣምራትን ክነግር ጽቡቕ ኰይኑ ተራእዩኒ
ኣሎ። [3] ትእምርትታቱ ኸመይ ዝበለ ዓብዪ፣ ተኣምራቱ ድማ ከመይ ዝበለ ብርቱዕ እዩ። መንግስቱ
ዘለኣለማዊት መንግስቲ እያ፣ ግዝኣቱ ኸኣ ንውሉድ ወለዶ ይነብር። [4] ኣነ ነቡካድነጻር፣ ኣብ ቤተይ ዐሪፈ፣
ኣብ ኣዳራሸይ ድማ ባህ ኢሉኒ ነበርኩ። [5] ዜሰምብደኒ ሕልሚ ርኤኹ፣ ኣብ መደቀስየይ፣ ከሎኹ፣
ሓሳባትን ራእያት ርእሰይን ኣጨነቕኒ። [6] ስለዚ ንዅላቶም ጠቢባን ባቢሎን፣ ትርጓሜ እቲ ሕልሚ
ኼፍልጠኒ፣ ኣብ ቅድመይ ኬምጽእዎም፣ ኣዘዝኩ። [7] ሽዑ እቶም ጠቡባን ኣስማተኛታትን ከለዳውያንን
ፈለጥትን መጹ፣ ነቲ ሕልሚ ኸኣ ኣብ ቅድሚኦም ተዛረብኩ፣ ንሳቶም ግና ትርጓሜኡ ኣየፍለጡንን። [8]
ኣብ መወዳእታ ግና እቲ ብስም ኣምላኸይ ቤልጥሻጽር እተሰምየ፣ መንፈስ ቅዱሳን ኣማልኽቲ ዘለዎ
ዳንኤል ኣብ ቅድመይ ኣተወ፣ ነቲ ሕልሚውን ኣብ ቅድሚኡ ኸምዚ ኢለ ተዛረብኩ። [9] ኣታ ቤልጥሻጽር
ሊቀ ጥቢባን፣ መንፈስ ቅዱሳን ኣማልኽቲ ኸም ዘሎካን ዜሸግረካ ምስጢር ከ ከም ዜብልካን እፈልጥ እየ
እሞ፣ እቲ ዝርኤኽዎ ራእይ ሕልመይን ትርጓሜኡን ንገረኒ። [10] እቲ ኣብ ምድቃሰይ ከሎኹ ዝርኤኹዎ
ራእይ ርእሰይ ከምዚ እዩ፣ እንሆ፣ ኦም ኣብ ማእከል ምድሪ ርኤኹ፣ ቍመታ ኸኣ ነዋሕ እያ። [11] እታ ኦም
ዐብያን በርቲዓን፣ ቍመታ ኽሳዕ ሰማይ በጺሑ፣ ክሳዕ ወሰናት ምድሪ ትርኤ ነበረት። [12] ቈጽላ ጽቡቕ
ነበረ፣ እቲ ፍሬኣ ብዙሕ፣ ንዅሉ ኸኣ ምግቢ ነበራ። እንስሳ መሮር ኣብ ትሕቲኣ ኣጽሊለን፣ ኣዕዋፍ
ሰማይ ኣብ ጨናፍራ ሰፉረን ነበራ፣ ስጋ ዝለበሰ ዅሉውን ካብኣ ይምገብ ነበረ። [13] እንሆ፣ በቲ ኣብ
መደቀስየይ ከሎኹ፣ ናይ ርእሰይ ራእያትሲ ሓደ ቅዱስ ሓላዊ ኻብ ሰማይ ኪወርድ ከሎ ርኤኹ። [14] ንሱ
ኸኣ ዓው ኢሉ ጨደረ በለውን፣ ነዛ ኦም ቍረጽዋ፣ ጨናፍራ ጸልጽሉ፣ ቈጽላ ኣርግፉ፣ ፍሬኣ በትኑ፣
እተን እንስሳ ካብ ትሕቲኣ፣ እተን ኣዕዋፍውን ካብ ጨናፍራ ይህደማ። [15] ግናኸ ነቲ ጒንዲ ሱራታ፣

ብሰንሰለት ሓጺንን ኣስራዝን ተኣሲሩ፣ ኣብ ማእከል ልምሉም ሳዕሪ መሮር ኣብ ምድሪ ሕደግዎ።
ብኣውሊ ሰማይ ይጠልቂ፣ ምስ እንስሳ ኸኣ ግዲኡ ሳዕሪ ምድሪ ይኹን። [16] ልቡ ልቢ ሰብ ካብ ምዃን
ይለወጥ፣ ልቢ እንስሳ ኸኣ ይወሀቦ፣ ሾብዓተ ግዝያት ድማ ይሕለፎ። [17] እቶም ህያዋንሲ፣ እቲ ልዑል ኣብ
መንግስቲ ሰብ ከም ዚመልኽ' ንዝደለዮ ኸኣ ከም ዚህቦ፣ ኤረ ነቲ ኻብ ሰብ ዚንእስ ደኣ ልዕል ከም
ዜብሎ ምእንቲ ኺፈልጡ፣ እዚ ባህሊ እዚ እቶም ሓለውቲ ዝመደብዎ፣ እዚ ነገር እዚውን ኣቶም
ቅዱሳን ዝኣዘዝዎ እዩ። [18] ነዚ ሕልሚ እዚ ኣነ ንጉስ ነቡካድነጻር ርኤኽዎ። ኣታ ቤልጥሻጽር፣ ኵላቶም
ጠቢባን መንግስተይ ትርጓሜኡ ኬፍልጡኒ ኻብ ዘይኽእሉ፣ ንስኻ ግና፣ እቲ መንፈስ ቅዱስን ኣማልኽቲ
ኣባኻ ስለ ዘሎ፣ ትኽእሎ ኢኻ እሞ፣ ትርጓሜኡ ንገረኒ። [19] ሽዑ እቲ ቤልጥሻጽር ዝስሙ ዳንኤል ሓንሳእ
ዝን በለ፣ ሓሳባቱ ኸኣ ኣጨነቖ። እቲ ንጉስ ድማ፣ ኣታ ቤልጥሻጽር፣ እቲ ሕልምን ትርጓሜኡን
ኣየጨንቕካ፣ ኢሉ መለሰሉ። ቤልጥሻጽር ከኣ ከምዚ ኢሉ መለሰሉ፣ ጐይታየ፣ እቲ ሕልሚ ንጸላእትኻ፣
ትርጓሜኡ ኸኣ ንተጻረርትኻ ይኹን። [20] እታ ዝርኤካያ ኦም፣ እታ ዝዐበየትን ዝበርትዔትን፣ ቍመታ ኣብ
ሰማይ ዝበጽሔ፣ ኣብ ኵሉ ምድሪውን እተራእየት፣ [21] ቈጽላ ዝጸበቐ፣ ፍሬኣ ዝበዝሔ፣ ንዂሉ ዚኸውን
ምግቢ ዘለዋ፣ እንስሳ መሮር ኣብ ትሕቲኣ ዚነብሩላ፣ ኣብ ጨናፍራውን ኣዕዋፍ ሰማይ ዚዐርፉላ ኦም፣ [22]
ዝዐቤኻን ዝበርታዕካን፣ ዕቤትካ እናዐበየ ኽሳዕ ሰማይ፣ ግዛትካውን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ዝበጽሔስ ንስኻ
ኢኻ፣ ዎ ንጉስ። [23] እቲ ንጉስ ካብ ሰማይ ኪወርድ ከሎ ዝረኣዮ ቅዱስ ሓላዊ እሞ፣ ነታ ኦም ቍረጽዋን
ኣብርስዋን፣ ግናኸ ነቲ ጉንዲ ሱራታ፣ ብሰንሰለት ሕጺንን ኣስራዝን ተኣሲሩ፣ ኣብቲ ልምሉም ሳዕሪ
መሮር ኣብ ምድሪ ሕደግዎ፣ ሾብዓተ ግዝያት ክሳዕ ዚሓልፉ፣ ብኣውሊ ሰማይ ይጠልቂ፣ ግዲኡውን ምስ
እንስሳ መሮር ይኹን፣ ዝበለ፣ [24] ትርጓሜኡ እዚ እዩ፣ ዎ ንጉስ፣ እዚ ኸኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ጐይታይ ንጉስ
ዚወርድ ትእዛዝ እቲ ልዑል እዩ፣ [25] ካብ ሰብ ክትስጐ፣ ምስ እንስሳ መሮር ክትነብር ኢኻ፣ ከም ንኣብዑር
ከኣ ሳዕሪ ኬብልዑኻ እዮም፣ ብኣውሊ ሰማይ ድማ ክትጥልቂ ኢኻ፣ እቲ ልዑል ኣብ ልዕሊ መንግስቲ
ሰብ ከም ዘመልኽ፣ ንዝደለዮ ኸኣ ከም ዚህቦ፣ ክሳዕ እትፈልጥሲ፣ ሾብዓተ ግዝያትውን ኪሐልፉኻ
እየን። [26] እቲ ናይ ኦም ጉንዲ ሱራት ይጽናሕ እተባህለ ግና፣ ሰማይ ከምዚመልኽ ምስ ፈለጥካ፣
መንግስትኻ ኽትምለሰካ እያ። [27] ስለዚ፣ ዎ ንጉስ፣ ምኽረይ ስማዕ፣ ንሓጢኣትካ ብጽድቂ፣ ንኣበሳኻውን
ንድኻታት ብምምሓር ቍረጾ፣ ምናልባሽ ልምዓትካ ኺነውሕ እዩ። [28] እዚ ዅሉ ንንጉስ ነቡካድነጻር
በጽሖ። [29] ድሕርዚ ዓሰርተው ክልተ ወርሒ ጸኒሑ፣ ኣብቲ ኣዳራሽ ንጉስ ባቢሎን ይዘውር ነበረ፣ [30] እቲ
ንጉስ ከኣ፣ እዚኣ እታ ንኽብሪ ግርማይን ንቤተ መንግስትን ክትከውን ኢለ ብሓይሊ ስልጣነይ
ዝሀነጽክዋ ዓባይ ባቢሎንዶ ኣይኰነትን ኢሉ ተዛረበ። [31-32] እዚ ቓል እዚ ገና ኣብ ኣፍ ንጉስ ከሎ፣ ዎ
ንጉስ ነቡካድነጻር፣ ንኣኻስ፣ መንግስቲ ካባኻ ኸይዳ እያ፣ ይበሀለካ ኣሎ፣ ካብ ሰብ ክትስጎጐ፣ ምስ
እንስሳ መሮር ክትነብር ኢኻ፣ ከም ንኣብዑር ከኣ ሳዕሪ ኬብልዑኻ እዮም፣ እቲ ልዑል ኣብ ልዕሊ
መንግስቲ ሰብ ከም ዚመልኽ፣ ንዝደለዮ ኸኣ ከም ዚህቦ ኽሳዕ እትፈልጥሲ፣ ሾብዓተ ግዝያትውን
ኪሐልፉካ እየን፣ ዚብል ድምጺ ካብ ሰማይ ወረደ። [33] ብኡብኡ እቲ ነገር ኣብ ነቡካድነጻር ተፈጸመ፣
ጸጉሩ ኸም ናይ ንስሪ፣ ኣጽፋሩውን ከም ናይ ኣዕዋፍ ኰይኑ ኽሳዕ ዚነውሕ፣ ካብ ሰብ ተሰጐ፣ ከም
ብዕራይ ሳዕሪ በልዔ፣ ስጋኡ ብኣውሊ ሰማይ ጠልቀየ። [34] እቲ ዘመን ምስ ተፈጸመ፣ ኣነ ነቡካድነጻር፣
ኣዒንተይ ናብ ሰማይ ኣልዓልኩ እሞ ኣእምሮይ ተመልሰለይ። ነቲ ልዑል ባረኽኹ፣ ነቲ ንዘለኣለም ህያው
ዝዀነ፣ ግዝኣቱ ዘለኣለማዊ ግዝኣት፣ መንግስቱውን ንውሉድ ወለዶ ዚነብር፣ ወደስኩን ኣኽበርኩን። [35]
እቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ዅሎም ብእኡስ ከም ገለ እኳ ኣይቍጸሩን፣ ንሱ ኣብ ሰራዊት ሰማይን
ኣብቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩን ከም ፍቓዱ እዩ ዚገብር። ንኢዱ ዚክልክላ፣ ሰለምንታይ እዚ እትገብር፣

ኪብሎ ዘኽእልውን የሎን። [36] በታ ጊዜ እቲኣ ኣእምሮይ ተመለስለይ፣ ንኽብሪ መንግስተይ ከኣ
ግርማይን ምንጽብራቕይን ተመልሰለይ። ኣማኸርተይን መኳንንተይን ደለዩኒ፣ ኣነ ኸኣ ኣብ መንግስተይ
ጸናዕኩ፣ ዝበለጸ ዕቤትውን ተወሰኸለይ። [37] ሕጂ ድማ ኣነ ነቡካድነጻር ነቲ ንጉስ ሰማይ ኤመስግኖን
ልዕል ኤብሎን ኤኽብሮን ኣሎኹ። ተግባሩ ኹሉ ሓቂ፣ መገድታቱ ኸኣ ፍርዲ እዩ እሞ፣ ነቶም
ተዐብዮም ዘኸዱ ኼዋርዶም ይኽእል እዩ።

# ምዕራፍ 5

[1] ንጉስ ቤልሻጽር ንሽሕ መኳንንቱ ዓብዪ ምሳሕ ገበረሎም፣ ኣብ ቅድሚ እቶም ሽሕ ድማ ወይኒ ይሰቲ
ነበረ። [2] ቤልሻጽር ሰኺሩ፣ ንጉስን መኳንንቱን ኣንስቱን ዕቁባቱን ብእኡ ምእንቲ ኺሰትዩ፣ ነቲ ኣቦኡ
ነቡካድነጻር ካብ መቕደስ የሩሳሌም ዝወሰዶ ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ኬምጽእዎ ኣዘዘ። [3] ሽዑ ነቲ ኻብቲ
ኣብ የሩሳሌም ዝነበረ መቕደስ ቤት ኣምላኽ ዝወሰድዎ ኣቓሑ ወርቂ ኣምጽእዎ። እቲ ንጉስን መኳንንቱን
ኣንስቱን ዕቁባቱን ከኣ ብእኡ ገይሮም ሰተዩ። [4] ወይኒ እናሰተዩ፣ ነቶም ብወርቅን ብብሩርን በስራዝን
ብሓጺንን ብዕጨይትን ብእምንን እተገብሩ ኣማልኽቶም ወደሱ። [5] በታ ሰዓት እቲኣ ኣብቲ ልቕልቕ
መንደቕ ኣዳራሽ ንጉስ፣ ኣብ መንጽር እቲ ቐዋሚ ቐንዴልሲ ኣጻብዕ ኢድ ሰብ ወጺን ጸሓፋን። እቲ ንጉስ
ድማ ነታ ኢድ ሰብ ረኣያ። [6] ሽዑ እቲ ንጉስ ገጹ ተለወጠ፣ ሓሳባቱ ኸኣ ኣጨነቖ፣ ጅማውቲ ሕቘኡ ድማ
ላሕልሐ፣ ኣብራኹውን ንሓድሕዱ ተዋቕዔ። [7] እቲ ንጉስ ነቶም ኣስማተኛታትን ከለዳውያንን ቈጸርቲ
ኸዋክብትን ኬእትውዎም፣ ዓው ኢሉ ጨደረ። እቲ ንጉስውን ነቶም ጠቢባን ባቢሎን፣ ዝኾነ ይኹን ነዛ
ጽሕፈት እዚኣ ዜንብባን ትርጓሜኣ ኸኣ ዚነግረንን ቀይሕ ሃሪ ኺለብስ፣ ድሪ ወርቂ ኺኣስር፣ ኣብታ
መንግስቲ ድማ ሳልሳይ ገዛኢ ኪኸውን እዩ፣ ኢሉ መለሰ። [8] ሽዑ ኹላቶም ጠቢባን ንጉስ ኣተዉ፣ ግናኸ
ነታ ጽሕፈት ኬንብብዋን ትርጓሜኣ ኸኣ ነቲ ንጉስ ኪነግርዎን ኣይከኣሉን። [9] ሽዑ ንጉስ ቤልሻጽር ኣዝዩ
ሰምበደ፣ ገጹ ተለወጠ፣ መኳንንቱውን ተጨነቑ። [10] እታ ንግስቲ በቲ ንንጉስን መኳንንቱን ዝበጽሖም
ነገር ናብ ቤት ምሳሕ ኣተወት። እታ ንግስቲ ኸኣ ከምዚ ኢላ በለት፣ ዎ ንጉስ፣ ንዘለኣለም ህያው ኩን፣
ሓሳባትካ ኣየጨንቕካ፣ ገጽካውን ኣይለወጥ። [11] መንፈስ ቅዱሳን ኣማልኽቲ ዘለዎ ሰብኣይ ኣብ
መንግስትኻ ኣሎ። ብዘመን ኣቦኻ ድማ ብርሃንን ኣእምሮን ከምቲ ጥበብ ኣማልኽቲ ዝኾነ ጥበብን
ተረኽቦ። ዎ ንጉስ፣ ኣቦኻ ንጉስ ነቡካድነጻር፣ ባዕሉ ኣቦኻ፣ ኣብ ልዕሊ እቶም ጠቢባን ኣስማተኛታትን
ከለዳውያንን ቈጸርቲ ኸዋክብትን ሾሞ። [12] ኣብቲ እቲ ንጉስ ቤልጥሻጽር ኢሉ ዘውጽኣሉ ምትርጓም
ሕልምን ምግላጽ ምስጢርን ምቕናዕ እተጠላለፈ ነገርን ተረኺቡ እዩ እሞ ሕጂ ዳንኤል ይጸዋዕ፣
ንሱውን ነቲ ትርጓሜ ኼፍልጠካ እዩ። [13] ሽዑ ንዳንኤል ኣብ ቅድሚ ንጉስ ኣምጽእዎ። እቲ ንጉስ ከኣ
ንዳንኤል፣ እቲ ኻብቶም ኣቦይ ንጉስ ካብ ይሁዳ ዝማረኾም ደቂ ምሩኻት ይሁዳ ዝኾንካ ዳንኤል
ንስኻዶ ኢኻ ኢሉ መለሰ። [14] ኣነ ብዛዕባኻ መንፈስ ኣማልኽቲ ኸም ዘሎካ፣ ብርሃንን ምስትውዓልን
ብሉጽ ጥበብን ድማ ከም እተረኸበካ፣ ሰማዕኩ። [15] ሕጂ ኸኣ እቶም ጠቢባን ፈለጥትን፣ ነዛ ጽሕፈት
እዚኣ ኼንብብዋ እሞ ትርጓሜኣ ኼፍልጡኒ፣ ኣብ ቅድመይ ኣምጻእዎም፣ ግናኸ ትርጓሜ እቲ ነገርሲ
ኼፍልጡኒ ኣይከኣሉን። [16] ብዛዕባኻ ግና ትርጓሜታት ምትርጓም፣ እተጠላለፈ ነገር ከኣ ምፍታሕ ከም
እትኽእል ሰሚዔ ኣሎኹ። እምብኣርስ ነዛ ጽሕፈት ከተንብባን ትርጓሜኣ ድማ ከተፍልጠንን እንተ
ኽኣልካስ፣ ቀይሕ ሃሪ ኽትለብስ፣ ድሪ ወርቂ ኣብ ክሳድካ ኽትኣስር፣ ኣብታ መንግስቲ ኸኣ ሳልሳይ ገዛኢ
ኽትከውን ኢኻ፣ በሎ። [17] ሽዑ ዳንኤል ኣብ ቅድሚ ንጉስ ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ ህያብካ ንኣኻ ይኹን፣

ውህበታትካውን ንኻልእ ሀቦ። ዝኾነ ኾይኑ ንንጉስ እታ ጽሕፈት ከንብበሉ፣ ትርጓሜኣውን ከፍልጦ
እየ። 18 ዎ ንጉስ፣ እቲ ልዑል ኣምላኽ ነቦኻ ነቡካድነጻር መንግስትን ዕቤትን ክብርን ግርማን ሀቦ። 19 ስለ
እቲ ንሱ ዝሀቦ ዕቤት ኵሎም ኣህዛብን ወገናትን ቋንቋታትን ኣብ ቅድሚኡ የንቀጥቅጡን ይፈርሁን
ነበሩ። ንዝደለዮ ቐተሎ፣ ንዝደለዮ ብህይወት ኪነብር ሐደጎ። ንዘደለዮ ልዕል ኣበሎ፣ ንዝደለዮ ኸኣ
ኣዋረዶ። 20 ግናኸ ልቡ ልዕል ምስ በለ፣ መንፈሱ ኸኣ ተሪሩ ምስ ተዐበየ፣ ካብ ዝፋን መንግስቱ ወረደ፣
ክብረቱውን ተወስዶ። 21 ካብ ደቂ ሰብ ተሰጐ፣ ልቡ ኸኣ ከም ናይ እንስሳ ኰነ፣ ምስ ኣድጊ በረኻ ድማ
ሰፈረ፣ ከም ነብዑርውን ሳዕሪ ኣብልዕዎ፣ ስጋኡ ብኣውሊ ሰማይ ጠልቀየ፣ እዚ ኸኣ እቲ ልዑል ኣምላኽ
ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ሰብ ከም ዝመልኽ፣ ንዝደለዮ ኸኣ ኣብ ልዕሊኡ ኸም ዜቖመሉ፣ ክሳዕ
ዜስተውዕሎ እዩ ዝኾነ። 22 ኣታ ቤልሻጽር ወዱ፣ ምንም እኳ እዚ ኹሉ ፈሊጥካ ኽነስካስ፣ ልብኻ
ኣየትሐትካን። 23 ነቲ ጐይታ ሰማይ ርእስኻ ኣልዓልካሉ፣ ነቲ ኣቓሑ ቤቱ ኣብ ቅድሜኻ ኣምጽእዎ እሞ፣
ንስኻን መኳንንትኻን ኣንስትኻን ዕቁባትካን ወይኒ ሰቴኹምሉ። ነቶም ዘይርእዩን ዘይሰምዑን
ዘይፈልጡን ኣማልኽቲ ብሩርን ወርቅን ኣስራዝን ሓጺንን ዕጨይትን እምንን ወደስካ እምበር፡ ነቲ
ንስትንፋስካን ንኹለን መገድኻን ኣብ ኢዱ ዝሐዘ ኣምላኽሲ ኣየኽበርካዮን። 24 ስለዚ ኸኣ እታ ነዛ
ጽሕፈት እዚኣ ዝጸሐፈት ኢድ ካብኡ እያ እተላእከት። 25 እዛ ጽሕፍቲ ጽሕፈት እትብሎ ዘላ ኸኣ፣ መኔ፣
መኔ፣ ቴቄል ኡፋርሲን፣ እዩ። 26-28 ትርጓሜኡ ድማ መኔ፣ ኣምላኽ ንመንግስትኻ ቈጸሮን ጠረሶን፣
ቴቄል፣ ብሚዛን ተመዚንካ፣ ቀሊልካ ተረኺብካ፣ ኡፋርሲን፣ መንግስትኻ ተመቒላ ንሰብ ሜዶንን ፋርስን
ተዋህበት፣ ማለት እዩ። 29 ሽዑ ቤልሻጽር ንዳንኤል ቀይሕ ሃሪ ኪኸድንዎ፣ ኣብ ክሳዱ ኸኣ ድሪ ወርቂ
ኺኣስሩሉ ኣዘዘ፣ ኣብታ መንግስቲ ሳልሳይ ገዛኢ ኪኸውን ድማ ኣዋጅ ኣንገረሉ። 30 በታ ለይቲ እቲኣ
ቤልሻጽር ንጉስ ከለዳውያን ተቐትለ። 31 ዳርዮስ ሜዶናዊ ኸኣ፣ ወዲ ስሳን ክልተን ዓመት ከሎ፣ ነታ
መንግስቲ ተቐበላ።

# ምዕራፍ 6

1 ንዳርዮስ፣ ኣብ ብዘላ መንግስቱ ዚኾኑ ሚእትን ዕስራን መሳፍንቲ ኣብታ መንግስቲ ኺሸይም፣ ጽቡቕ
ኰይኑ ተራእዮ። 2 እቲ ንጉስ ከይጕዳእሲ፣ እቶም መሳፍንቲ ጸብጻብ ኪህቡዎም፣ ኣብ ልዕሊኦም ሰለስተ
ኣርኣሰሎም፣ ሓደ ኻብ እዚኣቶም ከኣ ዳንኤል እዩ። 3 ዳንኤል ግና፣ ብሉጽ መንፈስ ሐዲርዎ ነበረ እሞ፣
ካብቶም ራእስታትን መሳፍንትን በለጸ፣ እቲ ንጉስ ድማ ኣብ ብዘላ መንግስቲ ኺርእሶ ሐሰበ። 4 ሽዑ
እቶም ራእስታትን መሳፍንትን ንዳንኤል ብናይ መንግስቲ ጕዳይ ምኽንያት ኺረክቡሉ ደለዩ፣ ግናኸ
እሙን ነበረ፣ ገለ ጌጋ ወይስ መንቀፌ ኸኣ ሰኣኑሉ እሞ፣ ምኽንያት ወይስ መንቀፌ ኺረክቡሉ ከቶ
ኣይከኣሉን። 5 ሽዑ እቶም ሰባት፣ ነዚ ዳንኤልሲ፣ በታ ሕጊ ኣምላኹ እንተ ዘኰይኑ፣ ካልእ ምክንያት
ክንረኽበሉ ከቶ ኣይንኽእልን ኢና፣ በሉ። 6 ድሕርቲ እቶም ራእስታትን መሳፍትን ኣብ ቅድሚ ንጉስ
ተኣከቡ እሞ ከምዚ ኢሎም በልዎ፣ ዎ ዳርዮስ፣ ንዘለኣለም ህያው ኩን። 7 ኵላቶም ኣማኸርትን
ምስሌኔታትን ሹማምትን መሳፍንትን ኣማኸርትን ምስሌታትን፣ በዘን ሰላሳ መዓልቲ እዚኤን፣ ዎ ንጉስ፣
ንኣኻ እንተ ዘኰይኑ፣ ንዝኾነ ይኹን ኣምላኽ ወይስ ንሰብ ዝለመነ ኣብ ጕድጓድ ኣናብስ ከም ዚድርበ፣
ትእዛዝ ንጉስ ኪጸንዕ፣ ብርቱዕ ክልክል ከኣ ኪእወጅ ሐቢሮም መኸሩ። 8 ዎ ንጉስ፣ ከምቲ ዘይልወጥ ሕጊ
ሜዶንን ፋርስን ኪኸውን እሞ ከይልወጥሲ፣ ስምካ ጽሒፍካ ነቲ ኽልክል ኣጽንዓዮ። 9 ንጉስ ዳርዮስ
ድማ ነቲ ጽሑፍን ክልክል ኣጽንዖ። 10 ዳንኤል ድማ እዚ ሕጊ ኸም እተጻሕፈ ምስ ፈለጠ፣ ናብ ቤቱ

ኸደ። እተን መሳኹቲ እታ ኣብ ደርቢ ዝነበረት ቤቱ ናብ የሩሳሌም ኣቢለን ተኸፊተን ነበራ እሞ ከምቲ
ቐደም ዚገብሮ ዝነበረ ሰለስተ ሳዕ ኣብ መዓልቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ብብርኩ እናተምበርከኸ፣ ጸለየን
ኣመስገነን። 11 ሽዑ እቶም ሰባት ተኣኻኸቡ፣ ዳንኤል ኣብ ቅድሚ ኣምላኹ ኺጽልን ኪምህለልን ከሎ
ረኸብዎ። 12 ሽዑ ቐሪቦም ኣብ ቅድሚ ንጉስ ብዛዕባ እቲ ኽልከል ንጉስ፣ ዎ ንጉስ፣ በዘን ሰላሳ መዓልቲ
እዚኤን፣ ንኣኻ እንተ ዘይኰነስ፣ ንዝኾነ ይኹን ኣምላኽ ወይስ ንሰብ ገለ ዝለመነ ናብ ጉድጓድ ኣናብስ
ኪድርበ፣ ኢልካዶ ኽልከል ኣይኣወጅካን ኢሎም ተዛረብዎ። እቲ ንጉስ ድማ፣ እዚ ነገር እዚ ኸምቲ
ኺልወጥ ዘይከኣል ሕጊ ሜዶንን ፋርስን ኰይኑ ጸኒዑ እዩ ኢሉ መለሰ። 13 ሽዑ ንሳቶም ኣብ ቅድሚ
ንጉስ፣ እዚ ኻብ ደቂ ይሁዳ ዝኾነ ዳንኤል ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ሳዕ ልማኖኡ ይልምን ኣሎ እምበር፣ ዎ
ንጉስ፣ ንኣኻ ወይስ ነቲ ዝኣወጅካዮ ኽልከል ግዲ የብሉን፣ ኢሎም መለሱ። 14 እቲ ንጉስ እዚ ነገር እዚ
ምስ ሰምዔ፣ ኣዝዩ ጕሀየ፣ ምእንቲ ኼናግፎ ኸኣ ልቡ ናብ ዳንኤል ኣድሀበ፣ ጸሓይ ክሳዕ
እትዐርብውን፣ኪድሕኖ ተጋደለ። 15 ሽዑ እቶም ሰባት ናብ ንጉስ ተኣከቡ እሞ፣ ዎ ንጉስ፣ እቲ እቲ ንጉስ
ዘጽንዖ ክልክል ትእዛዝን ከይልወጥሲ፣ ኣብ ሜዶንን ፋርስን ህጊ ኸም ዘሎ ፍለጥ፣ ኢሎም ንንጉስ
ተዛረብዎ። 16 ሽዑ እቲ ንጉስ ኣዘዘ፣ ንዳንኤል ከኣ ኣምጽእዎ፣ ናብ ጉድጓድ ኣናብስውን ደርበይዎ። ንጉስ
ድማ ንዳንኤል፣ እቲ ኹሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽካ ንሱ የናግፍካ፣ በሎ። 17 ሓደ እምኒ ኣምጺኦም ነቲ
ኣፍ ጉድጓድ ዐጸውዎ። እቲ ንጉስ ከኣ፣ ገለ ብዛዕባ ዳንኤል ከይልወጥሲ፣ ብቐለቤቱን ብቐለቤት
መሳፍንቱን ሐተሞ። 18 እቲ ንጉስ ናብ ኣዳራሹ ኸደ፣ ጾሙ ኸኣ ሐደረ፣ ኣብ ቅድሚኡ ድራር ኣየቕረበን፣
ድቃስውን ካብኡ በረረ። 19 ንጽባሒቱ እቲ ንጉስ ኣንጊሁ ተንስኤ፣ ቀልጢፉ ኸኣ ናብቲ ጉድጓድ ኣናብስ
ከደ። 20 ናብቲ ጉድጓድ ምስ ቀረበ፣ ንዳንኤል እናሕነቕነቐ ጸውዖ። እቲ ንጉስ ከኣ፣ ኣታ ዳንኤል ባርያ
ህያው ኣምላኽ፣ እቲ ኹሉ ጊዜ እተገልግሎ ኣምላኽካስ ካብ ኣናብስ ኬናግፈካዶ ኸኣለ ኢሉ ንዳንኤል
ተዛረቦ። 21-22 ሽዑ ዳንኤል ንንጉስ፣ ዎ ንጉስ፣ ንዘለኣለም ህያው ኩን። ዎ ንጉስ፣ ኣብ ቅድሚኡ ንጹህ
ኰይነ ተረኺበ እየ፣ ኣብ ቅድሜኻ ኸኣ ኣይበደልኩን እሞ፣ ኣምላኸይ መልኣኹ ልኢኹ፣ ኣፍ ኣናብስ
ዐጸወ፣ ከቶውን ኣይጐድኡንን፣ ኢሉ መለሰሉ። 23 ሽዑ እቲ ንጉስ ኣዝዩ ተሐጐሰ፣ ንዳንኤል ድማ ካብቲ
ጉድጓድ ኣውጽእዎ። ኣብ ኣምላኹ ተወኪሉ ስለ ዝነበረውን፣ ገለ ጉድኣት ኣይተረኽቦን። 24 እቲ ንጉስ
ከኣ ኣዘዘ፣ ነቶም ከሰስቲ ዳንኤል ኣምጺኦም፣ ንሳቶም ደቆምን ኣንስቶምን ናብ ጉድጓድ ኣናብስ
ደርበይዎም። ገና ኣብ ከብዲ ጉድጓድ ከይበጽሑ ድማ፣ እቶም ኣናብስ ጐበጥዎም፣ ኹሉ
ኣዕጽምቶምውን ሰባበርዎ። 25 ድሕርዚ ንጉስ ዳርዮስ ነቶም ኣብ ኲላ ምድሪ ዚነብሩ ኹላቶም ኣህዛብን
ወገናትን ቋንቋታትን ከምዚ ኢሉ ጸሐፈ፣ ሰላም ይብዛሓልኩም። 26 ኣምላኽ ዳንኤል ንዘለኣለም ዚነብር
ህያው ኣምላኽ እዩ፣ መንግስቱ ኣይክትጠፍእን እያ፣ ግዝኣቱውን ክሳዕ መወዳእታ ኪቕውም እዩ እሞ፣
ኣብ ኲሉ ግዝኣት መንግስተይ ኣብ ቅድሚኡ የንቀጥቅጡን ይፍርሁን፣ ኢለ እእዝዝ ኣሎኹ። 27 ንሱ
የናግፍን የድሕንን፣ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ካብ ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር እዩ። ንዳንኤል ካብ
ኣናብስ ዘድሐነ ድማ ንሱ እዩ። 28 እዚ ዳንኤል እዚ ኣብ መንግስቲ ዳርዮስን ኣብ መንግስቲ ቂሮስ ብዓል
ፋርስን ሰልጠነ።

# ምዕራፍ 7

1 ንቤልሻጽር ንጉስ ባቢሎን ኣብታ ቐዳመይቲ ዓመቱ፣ ዳንኤል ኣብ መደቀሲኡ ኸሎ፣ ሕልምን ራእያት
ርእሱን ረኣየ። ሽዑ ነቲ ሕልሚ ጸሐፎ፣ ርእሰ ነገሩውን ኣዘንተዎ። 2 ዳንኤል ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፣ ለይቲ

ብራእየይ ርኤኹ፣ እንሆ ኸኣ፣ እቶም ኣርባዕተ ንፋሳት ሰማይ ኣብ ልዕሊ እቲ ዓብዪ ባሕሪ ይጋጨው
ነበሩ። 3 ካብቲ ባሕሪ ድማ በበይኖም ዝዓይነቶም ኣርባዕተ ዓበይቲ ኣራዊት ወጹ። 4 እቲ ቐዳማይ ነንበሳ
ይመስል፣ ኣኽናፍ ንስሪ ድማ ነበሮ። ኣኽናፍ ኽሳዕ ዚምንቈሳ ኸኣ ጠመትክዎ። ካብ ምድሪ ተንስኤ፣
ከም ሰብ ድማ በእጋሩ ደው በለ፣ ልቢ ሰብውን ተዋህቦ። 5 እንሆ ድማ፣ ካልኣይ፣ ንድቢ ዚመስል ካልእ
ኣራዊት። ንሱ ብጐድኑ ተንስኤ፣ ሰለስተ ዓጽሚ መሰንገለ ኣብ ኣፉ ኣብ መንጎ ኣስናኑ ነበረ፣ ተንስእ እሞ
ብዙሕ ስጋ ብላዕ፣ ከኣ በልዎ። 6 ድሕርዚ እንሆ፣ ካልእ ኣራዊት፣ ኣብ ጐድኑ ኣርባዕተ ኽንፊ ዑፍ ዝነበሮ
ንነብሪ ዚመስል ጠመትኩ። እዚ ኣራዊት እዚ ኣርባዕተ ርእሲ ነበሮ፣ ግዝኣት ድማ ተዋህቦ። 7 ድሕርዚ
ብራእያት ለይቲ፣ እንሆ፣ መፍርህን መሰክሕን ኣዝዩ ብርቱዕን ዝኾነ ራብዓይ ኣራዊት ርኤኹ። ዓበይቲ
ኣስናን ሓጺን ነበሮ፣ ይውሕጥን ይጥሕንን ነቲ ዝተረፈ ኸኣ በእጋሩ ይረግጾን ነበረ። ካብቶም ቅድሚኡ
ዝነበሩ ኵላቶም ኣራዊት በይኑ ዝዓይነቱ እዩ ዝነበረ፣ ዓሰርተ ኣቕርንቲውን ነበሮ። 8 ኣነ ነቶም ኣቕርንቲ
ኤስተብህለሎም ነበርኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኣብ ማእከሎም ንእሽቶ ካልእ ቀርኒ ወጸ፣ ካብቶም ቀዳሞት
ኣቕርንቲ ድማ ሰለስተ ኣብ ቅድሚኡ ተመንቈሱ። እንሆውን እዚ ቐርኒ እዚ ዓይኒ ሰብ ዚመስል ዓይንን
ዓብዪ ነገር ዚዛረብ ኣፍን ነበሮ። 9 ኣነ ዝፋናት ክሳዕ ዚንበሮ እጥምት ነበርኩ፣ ሓደ ጥንታዊ ዝመዓልቱ
ድማ ተቐመጠ። ክዳውንቱ ጻዕዳ ከም በረድ፣ ጸጕሪ ርእሱ ኸኣ ከም ጽሩይ ጸምሪ እዩ። ዝፋኑ ሃልሃልታ
ሓዊ፣ መንኰራዅሩ ድማ ጐሁር ሓዊ እዩ። 10 ውሒዝ ሓዊ ይውሕዝ፣ ካብ ቅድሚኡ ኸኣ ይወጽእ
ነበረ። ሽሕ ጊዜ ሽሕ የገልግልዎ፣ እልፊ ጊዜ እልፊ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ቘይሞም ነበሩ። ፍርዲ ኾነ፣
መጻሕፍቲውን ተገንጸለ። 11 ሽዑ ኣነ ብዛዕባ እቲ ቐርኒ እተዛረቦ፣ ድምጺ ዓበይቲ ቓላት ጠመትኩ። እቲ
ኣራዊት ክሳዕ ዝቕተል ጠመትኩ፣ ስጋኡ ጠፍኤ፣ ምእንቲ ኺነድድ ከኣ ንሓዊ ተዋህበ። 12 ካብቶም
ዝተረፉ ኣራዊት ድማ ግዝኣቶም ተወስደ፣ ምናሕ ህይወት ግና ንዘመንን ንውሱን ጊዜን ተወሰኸሎም። 13
ብራእያት ለይቲ እጥምት ነበርኩ፣ እንሆ ኸኣ ወዲ ሰብ ዝመስል ብደበና ሰማይ ይመጽእ ነበረ፣ ናብቲ
ጥንታዊ ዝመዓልቱ ድማ በጽሔ፣ ናብ ቅድሚኡውን ኣቕረብዎ። 14 ኵላቶም ኣህዛብን ወገናትን
ቋንቋታትን ኪገልግልዎስ፣ ግዝኣትን ክብርን መንግስትን ንእኡ ተዋህቦ። ግዝኣቱ ዘይሐልፍ ዘለኣለማዊ
ግዝኣት እዩ፣ መንግስቱውን ከቶ ኣይክትጠፍእን እያ። 15 ኣነ ዳንኤል፣ መንፈሰይ ኣብ ውሽጢ ስጋይ
ሰምበደ፣ እቲ ራእያት ርእሰይ ከኣ ኣጨነቖኒ። 16 ካብቶም ደው በሃልትስ ናብ ሓደ ቐረብኩ፣ ብዛዕባ እዚ
ኹሉ ኸኣ ርግጹ ሓተትኩዎ። ንሱ ተዛረበኒ፣ ትርጓሜ እቲ ነገርውን ነገረኒ። 17 እዞም ኣርባዕተ ዓበይቲ
ኣራዊት እዚኣቶም ካብ ምድሪ ዚትንስኡ ኣርባዕተ ነገስታት እዮም። 18 እቶም ናይ ልዑል ቅዱሳን ግና ነታ
መንግስቲ ኪቕበልዋ እዮም፣ ነታ መንግስቲውን ንዘለኣለም፣ ኤረ ንዘለኣለመ ኣለም ኪወርስዋ እዮም። 19-
20 ድሕርዚ ድማ ብዛዕባ እቲ፣ ኣስናኑ ሓጺን፣ ኣጽፋሩ ኸኣ ኣስራዚ ዝኾነ፣ ዝወሓጠን ዝሰባበረን
ንዝተረፎ ድማ በእጋሩ ዝረጋገጾን ኣዝዩ ዜሰክሕን ንበይኑ ዝኾነ ዓይነቱን ራብዓይ ኣራዊት፣ ብዛዕባ እቲ
ኣብ ርእሱ ዝነበረ ዓሰረት ኣቕርንትን ብዛዕባ እታ፣ ኣብ ቅድሚኣ ሰለስተ ዝወደቓ፣ ዝወጸት ካልእ
ቀርንን፣ ንሳውን ኣዒንትን ዓበይቲ ነገር ዚዛረብ ኣፍን ዝነበራ፣ ትርኢታውን ካብቶም ካልኦት ዝበለጸት፣
ርግጹ ኺፈልጥ ደሌኹ። 21-22 እቲ ጥንታዊ ዝመዓልቱ ኽሳዕ ዚመጽእ፣ ፍርዲ ነቶም ናይ ልዑል ቅዱሳን
ክሳዕ ዚወሀብ፣ እቶም ቅዱሳን ነታ መንግስቲ ዚወርሱላ ጊዜ ኽሳዕ እትመጽእ፣ እታ ቐርኒ ምስቶም
ቅዱሳን ክትዋጋእን ክትስዕሮምን ከላ ርኤኹ። 23 ንሱ ኸኣ ከምዚ ኢሉ ተዛረበኒ፣ እቲ ራብዓይ ኣራዊት፣
ካብ ኵለን መንግስታት በይና ዝኰነት ዓይነታ፣ ራብዐይቲ መንግስቲ ኣብ ምድሪ ኽትከውን እያ፣ ንዅላ
ምድሪ ኽትውሕጣን ክትረግጻን እያ። 24 እቶም ዓሰርተ ነገስታት ኪትንስኡ እዮም፣ ድሕሪ እዚኣቶም
ድማ ካብቶም ቀዳሞት በይኑ ዝኾነ ዓይነቱ ኻልእ ኪትንስእ፣ ንሰለስተ ነገስታትውን ኬውርዶም እዩ።

25 ኣብቲ ልዑል ከኣ ናይ ትዕቢት ቃል ኪዛረብ፣ ነቶም ናይ ልዑል ቅዱሳን ድማ ኬጽንቶም፣ ዘመናትን
ሕጋጋትን ኪልውጥ ከኣ ኪሕልን እዩ፣ ንሳቶምውን ክሳዕ ዘመንን ዘመናትን ፈረቓ ዘመንን ኣብ ኢዱ
ኺውሀቡ እዮም። 26 ግናኸ ፍርዲ ኪኸውን፣ ብጥራስ ኪጸንትን ኪጠፍእን ከኣ፣ ግዝእቱ ኻብኡ
ኺውሰድ እዩ። 27 እቲ ኣብ ትሕቲ ኵሉ ሰማይ ዘሎ መንግስትን ግዝኣትን ዕቤት መንግስታትን ነቲ ናይ
ልዑል ህዝቢ ቅዱሳን ኪውሀብ እዩ። መንግስቱ ናይ ዘለኣለም መንግስቲ እያ፣ ብዘለዉ ግዝኣታት ድማ
ኬገልግልዎን ኪእዘዝዎን እዮም። 28 ኣብዚ እዩ መወዳእታ እዚ ነገር። ኣነ ዳንኤል ሓሳባተይ ኣዝዩ
ኣጨነቐኒ፣ ገጸይ ተለወጠኒ፣ ነቲ ነገር ከኣ ኣብ ልበይ ዐቘርክዎ።

# ምዕራፍ 8

1 ንግዝኣት ንጉስ ቤልሻጽር ኣብ ሳልሰይቲ ዓመቱ ንኣይ ንዳንኤል፣ ድሕሪ እቲ ብመጀመርያ
እተገልጸለይሲ፣ ራእይ ተገልጸለይ። 2 ብራእይ ከኣ ርኤኹ፣ ክርኤ ከሎኹ ድማ፣ ኣብታ ኣብ ኣውራጃ
ኤላም ዘላ ኸተማ ሱሳን ነበርኩ። ብራእይ ርኤኹ፣ ኣብ ጥቓ ርባ ኡላይ ከኣ ነበርኩ። 3 ኣዒንተይ ኣልዒለ
ርኤኹ፣ እንሆ ኸኣ፣ ክልተ ዝቐርኑ ድዑል ኣብ ቅድሚ ርባ ደው ኢሉ ነበረ፣ እተን ክልተ ኣቕርንቲ ድማ
ልዕል ዝበላ እየን፣ እታ ሓንቲ ግና ካብታ ሓንቲ ልዕል ዝበለት ኣያ፣ እዛ ኣውራ ልዕልቲ ኸኣ ደሓር እያ
ዝወጸት። 4 እቲ ድዑል ድማ ንምዕራብ ኣቢሉ ንሰሜን ኣቢሉ፣ ንደቡብ ኣቢሉ በቕርንቱ ይፍልስ ነበረ፣
ኪቃወሞ ዚኽእል ኣራዊት ኣይነበረን፣ ካብ ኢዱ ኺናግፍ ዚኽእልውን ኣይነበረን። ንሱ ኸም ዝደለዮ
ገበረ፣ ዓብዩ ድማ ኾነ። 5 ኣነ ኸስተብህል ከሎኹ፣ እንሆ፣ ድቤላ ኻብ ምዕራብ ኣብ ዝባን ኵላ ምድሪ
መጸ፣ ንምድሪ ኸኣ ኣይተንከያን። እዚ ድቤላ እዚ ኣብ መንጎ ኣዒንቱ ምርእይቲ ቀርኒ ነበረቶ። 6 ንሱ
ናብቲ ኽልተ ዝቐርኑ ኣብ ቅድሚ ርባ ደው ኢሉ ዝርኤኽዎ ድዑል መጸ፣ ብነድሪ ሓይሉውን ጐየዮ። 7
ናብቲ ድዑል ኪቐርብ ከሎ ርኤኽዎ፣ ኣዝዩ ኸኣ ተቘጥዖ፣ ነቲ ድዑል ወቕዖ እሞ ክልቲኤን ኣቕርንቱ
ሰበሮ፣ ናብ ምድሪ ኣውደቖን ረገጾን። እቲ ድዑል ንምቅዋሙ ሓይሊ ሰኣነ፣ ነቲ ድዑል ካብ ኢዱ
ኸናግፎ ዝኸኣለ ኸኣ ኣይነበረን። 8 እቲ ድቤላ ግና እምብዛ ዓብዩ ኾነ። ምስ በርትዔ ድማ እታ ዓባይ
ቀርኑ ተሰብረት፣ ኣብ ክንድኣ ኸኣ ኣርባዕተ ምርኡያት ኣቕርንቲ ናብ ኣርባዕተ ንፋሳት ሰማይ ኣቢለን
ወጻ። 9 ካብ ሓንቲኤን ድማ ንእሽቶ ቐርኒ ወጸት፣ ንሳውን ናብ ደቡብን ናብ ምብራቕን ናብታ ኽብርቲ
ሃገርን ኣቢላ ዐበየት። 10 ክሳዕ ሰራዊት ሰማይ ዐበየ እሞ ካብቲ ሰራዊትን ካብ ከዋኽብትን ንሓያሎ ናብ
ምድሪ ኣውደቐም ረገጾም ከኣ። 11 ኤረ ክሳዕ እቲ ሓለቓ ሰራዊት እኳ ተዐበየሉ። ነቲ ናይ ኵሉ መዓልቲ
መስዋእቲ ኸኣ ካብኡ ኣትረፎ፣ እታ ማሕደር መቕደሱውን ፈረሰት። 12 እቲ ሰራዊት ምስናይ እቲ ናይ
ኵሉ መዓልቲ መስዋእትስ ብሰሪ ዕልወት እዩ እተዋህቦ። ንሱ ነታ ሓቂ ናብ ምድሪ ደርበያ፣ ገበረ ሰለጠሉ
ኸኣ። 13 ሽዑ ኻብ ቅዱሳንሲ ሓደ ኻዛረብ ከሎ ሰማዕኩ። ሓደ ኻልእ ቅዱስ ድማ ነቲ ዚዛረብ ዘሎ፣
ብዛዕባ ናይ ኵሉ መዓልቲ መስዋእትን ብሰሪ ምዕላው ከኣ እቲ መቕደስን ሰራዊትን ንምርጋጽ ምእንቲ
ኺውሀብ ዚመጽእ ምዕናውን ዚነግር ራእይሲ ኽሳዕ መኣስ ኣዩ ዚንበር ኢሉ ተዛረቦ። 14 ንሱ ኸኣ፣ ክሳዕ
ክልተ ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ምሸትን ብጊሓትን፣ ሽዑ እታ መቕደስ ክትነጽህ እያ፣ በለኒ። 15 ኰነ ድማ፣
ኣነ ዳንኤል ነቲ ራእይ ምስ ርኤኹ፣ ከስተውዕሎ ደሌኹ። እንሆ ኸኣ፣ ሰብ ዚመስል ኣብ ቅድመይ ደው
በለ። 16 ካብ ማእከል ኡላይ ድማ፣ ገብርኤል፣ እቲ ራእይ ነዚ ሰብዚ ግለጸሉ፣ ኢሉ ዚጽውዕ ድምጺ ሰብ
ሰማዕኩ። 17 ንሱ ኸኣ ናብታ ደው ኢለያ ዝነበርኩ ስፍራ ቐረበ። ምስ መጸ፣ ሰምበድኩ ብገጻይውን
ወደቕኩ። ንሱ ድማ፣ ኣታ ወዲ ሰብ፣ እዛ ራእይ እዚኣ ብዛዕባ መወዳእታ ኣያ እሞ፣ ኣስተውዕል፣ በለኒ።

18 ንሱ ኺዛረበኒ ኸሎ፣ ኣእምሮይ ጠፊኡኒ፣ ብገጸይ ናብ ምድሪ ወደቕኩ። ግናኸ ንሱ ተንከየኒ፣ ቀጥ
ኣቢሉ ኸኣ ኣቘመኒ። 19 ንሱውን በለ፣ እዚ ብዛዕባ እቲ እተመደበ ናይ መወዳእታ ጊዜ እዩ እሞ፣ እንሆ፣
ነቲ ኣብ መወዳእታ ጊዜ ቍጥዓ ዚኸውን ከፍልጠካ እየ። 20 እቲ ዝርኤኻዮ ኽልተ ዝቐርኑ ድዑልሲ
ነገስታት ሜዶንን ፋርስን እዮም። 21 እቲ ጨጓር ድቤላ ድማ ንጉስ ዮናኒ እዩ። እታ ኣብ መንጎ ኣዒንቱ
ዝነበረት ዓባይ ቀርኒ ኸኣ እቲ ቐዳማይ ንጉስ እዩ። 22 ብዛዕባ እታ እተሰብረትን ኣብ ክንድኣ ኸኣ ኣርባዕተ
ዝተንሳኣን፣ ካብቲ ህዝቢ ኣርባዕተ መንግስታት ኪትንስኣ እየን፣ ብሓይሊ ግና ኣይኪመዓራረይኣን እየን።
23 ኣብቲ መወዳእታ መንግስቶም ከኣ፣ እቶም ኣበሰኛታት መስፈሮም ምስ መልኤ፣ ሓደ ጨካን ዝገጹን
ተንኰል ዜስተውዕልን ንጉስ ኪትንስእ እዩ። 24 ሓይሉ ኺብርትዕ እዩ፣ ብሓይሉ ግና ኣይኰነን፣
መስተንክር ዝኾነ ጥፍኣት ኪገብር እዩ። ኪገብር ኪሰልጦውን እዩ፣ ንሓያላትን ንህዝቢ ቅዱሳንን ድማ
ኬጥፍኦም እዩ። 25 ብጥበቡ ኸኣ ምጥባር ኣብ ኢዱ ኼስልጥ፣ ብልቡ ኺዕበ፣ ብድንገት ንብዙሓት
ኬጥፍእ፣ ኤረ ነቲ መስፍን መሳፍንቲ ኺትንስኦ እዩ፣ ግናኸ ብዘይ ኢድ ሰብ ኪስበር እዩ። 26 እቲ
ብዛዕባኡ ኣተዘርበ ናይ ምሸትን ብጊሓትን ራእይሲ ሓቂ እዩ። እዚ ራእይ ንርሑቕ ዘመን እዩ እሞ፣
ሕተሞ። 27 ኣነ ዳንኤል ከኣ ዐወልኩ፣ ሓያሎ መዓልቲ ድማ ሓመምኩ፣ ደሓር ተንሳእኩ፣ ኣብ ዕዮ
ንጉስውን ተጸመድኩ። በቲ ራእይ ከኣ እድንቕ ነበርኩ፣ ነዚ ዘስተብህል ግና ኣይነበረን።

## ምዕራፍ 9

1 ኣብታ ቐዳመይቲ ዓመቱ ነቲ ኻብ ዘርኢ ሜዶን ዝነበረ፣ ኣብ መንግስቱ ከለዳውያን ከኣ ንጉስ ዝኾነ
ዳርዮስ ወዲ ኣሓሸዌሮስ፣ 2 ኣብታ ቐዳመይቲ ዓመት መንግስቱ፣ ኣነ ዳንኤል ነቲ ብዛዕባኡ ቓል
እግዚኣብሄር ንነብዩ ኤርምያስ እተዛረቦ ቍጽሪ ዘመናት ብመጻሕፍቲ ኣስተውዐልኩዎ፣ ማለት ምዕናው
የሩሳሌም ብሰብዓ ዓመት ከም ዚፍጸም እዩ። 3 ብማቕን ብሓመዅስትን እናጾምኩ ኸኣ ብልማኖን
ብምህለላን ገጸይ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ መለስኩ። 4 ኣነ ድማ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ከምዚ
ኢለ ለመንኩን ተናዘዝኩን፣ ዎ ጐይታይ፣ ኣታ ነቶም ዚፈትዉኻን ትእዛዛትካ ዚሕልዉንሲ ኪዳንን
ምሕረትን እተጽንዓሎም ዓብዩን እትፍራህን ኣምላኽ፣ 5 ንሕና ሓጢኣት ገበርና፣ ኣበስና፣ ረሲኣንን
ዓለውትን ኰንና፣ ካብ ትእዛዛትካን ካብ ፍርድኻን ኣግለስና። 6 ነቶም ንነገስታትናን ንመሳፍንትናን
ንቦታትናን ንኹሉ ህዝቢ ሃገርን ብስምካ እተዛረቡ ባሮትካ ነብያት ከኣ ኣይሰማዕናዮምን። 7 ጐይታየ፣
ንኣኻ ጽድቂ እዩ፣ ንኣና ግና፣ ነቶም ሰብ ይሁዳን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ነቶም ብሰሪ እታ ንኣኻ
ዝጠለሙላ ጥልመት ኣብተን ዝሰጐግካዮም ኲለን ሃገራት ኣብ ቀረባን ርሑቕን ዘለዉ ኹሎም እስራኤል፣
ከምዚ ሎሚ ዀይንዎ ዘሎ ሕፍረት ገጽ እዩ። 8 እወ፣ ጐይታየ፣ በዲልናካ ኢና እሞ፣ ንኣና፣ ንነገስታትና፣
ንመሳፍንትና፣ ነቦታትናውን ሕፍረት ገጽ እዩ። 9 ንሕና ኻብኡ ዐሊና ኢና እሞ፣ ምሕረትን ይቕሬታንሲ
ኣብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና እዩ። 10 ንሕና ደሃይ እግዚኣብሄር ኣይሰማዕናን፣ በቲ ብባሮቱ ነብያት ገይሩ
ኣብ ቅድሜና ዘንበሮ ሕጋጋቱ ኣይተመላለስናን። 11 ኲሉ እስራኤል ሕግኻ ኣፍረሰ፣ ደሃይካ ኸይሰምዕ
ኣግለሰ። በዲልናዮ ኢና እሞ፣ ስለዚ እቲ ብሕጊ ሙሴ ባርያ እግዚኣብሄር እተጻሕፈ መርገምን ማሕላን
ወረደና። 12 ከምቲ ኣብ የሩሳሌም ዝወረደስ፣ ኣብ ትሕቲ ኹሉ ሰማይ ከቶ ኸምኡ ዀይኑ ዘይፈልጥ
ዓብዩ መዓት ናባና ብምውራዱ፣ ንሱ ነቲ ኣብ ልዕሌናን ኣብ ልዕሊ እቶም ዚፈርዱልና ፈራዶን ዝጠልቖ
ቓል ኣጽንዖ። 13 ከምቲ ኣብ ሕጊ ሙሴ ተጽሒፉ ዘሎ፣ እዚ ኹሉ መዓት ወረደና ግናኸ ካብ ኣበሳና
ኽንምለስ፣ ናብ ሓቅኻ ድማ ከነቕልብ ኢልና እኳ ገጽ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኣይደሌናን። 14

እግዚኣብሄር ኣምላኽና ብዚገብሮ ዘበለ ኹሉ ጻድቕ እዩ፣ ንሕና ግና ደሃዩ ኣይሰማዕናን። ስለዚ
እግዚኣብሄር ነዚ መዓት እዚ ተግሃሉ፣ ኣብ ልዕሌናውን ኣውረዶ። [15] ሕጂ ድማ ዎ እግዚኣብሄር
ኣምላኽና፣ ንህዝብኻ ኻብ ሃገር ግብጺ ብብርትዕቲ ኢድ ዘውጻእካ፣ ከምዚ ሎሚ ዘሎውን ንኣኻ ስም
ዘስሜኻ፣ ንሕና ኣበሳና፣ እኩይ ገበርና። [16] ብሰሪ ሓጢኣትን ብሰሪ ኣበሳ ኣቦታትናን የሩሳሌምን ህዝብኻን
መጻረፊ እቶም ኣብ ዙርያና ዘለዉ ኹሎም ኰይኖም እዮም እሞ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ኵሉ ጽድቕኻ
ጌርካ፣ ንቑጥዓኻን ነድርኻን ካብ ከተማኻ የሩሳሌም፣ እታ ቅድስቲ ደብርኻ፣ ከተምልስ እልምነካ
ኣሎኹ። [17] ዎ ኣምላኽና፣ እምብኣርሲ ናይ ባርያኻ ጸሎትን ምህለላኡን ስማዕ፣ ስለ እግዚኣብሄር
ኢልካውን ነታ ዝፈረሰት መቕደስካ ገጽካ ኣብርሃላ። [18] እቲ ኣብ ቅድሜኻ እነቕርቦ ዘሎና ምህለላስ ስለ
ብዝሒ ምሕረትካ ኢና እምበር፣ ስለ ጽድቕና ኣይኰናን እሞ፣ ዎ ኣምላኸይ፣ እዝንኻ ኣድንን ስማዕ ከኣ፣
ኣዒንትኻ ቛሕ ኣብል እሞ ምዕናውናን ነታ ብስምካ እተሰምየት ከተማን ጠምት። [19] ጐይታየ፣ ስማዕ፣
ጐይታየ፣ ይቕረ በል፣ ጐይታየ ኣድህብ፣ ከተማኻን ህዝብኻን ብስምካ ተሰምዮም እዮም እሞ፣
ኣምላኸየ፣ ስለ ርእስኻ ኢልካ ግበር፣ ኣይትደንጒ። [20] ክዛረብ፣ ክጽሊ፣ ሓጢኣተይን ሓጢኣት ህዝበይ
እስራኤልን ክናዘዝ ከሎኹ፣ ስለ እታ ቅድስቲ ደብሪ ኣምላኸይ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ
ምህለላይ ከቕርብ ከሎኹ፣ [21] ብጸሎት ገና ኽዛረብ ከሎኹ፣ ገብርኤል፣ እቲ ቕድም ብራእይ ርእየዮ
ዝነበርኩ ሰብኣይ፣ ቀልጢፉ ነፊሩ ኣጋ ጊዜ መስዋእቲ ምሸት ተንከየኒ። [22] መሀረኒ፣ ተዛረበኒ፣ በለውን፣
ዳንኤለየ፣ ኣነ ምስትውዓል ክምህረካ ኢለ ሕጂ ወጻእኩ። [23] ብመጀመርታ ምህለላኻ ቃል ወጸት። ንስኻ
ኣዚኻ ፍትዊ ኢኻ እሞ፣ ክነግረካ ኢለ መጻእኩ። እምብኣርስ ነዚ ቓል እዚ ኣቕልበሉ፣ ነዚ ራእይውን
ኣስተውዕሎ። [24] ንዕልወት መወዳእታ ኺግበሮ፣ ሓጢኣት ኪውዳእ፣ ኣበሳ ኺዕረቕ፣ ዘለኣለማዊ ጽድቂ
ኺኣቱ፣ ራእይን ትንቢትን ኪሕተም፣ ናይ ቅዱሳን ቅዱስ ድማ ኪቕባእሲ፣ ኣብ ህዝብኻን ኣብታ ቅድስቲ
ከተማኻን ሰብዓ ሰሙን ተመዲቡ እዩ። [25] እምብኣርስ ፍለጥን ኣስተውዕልን፣ እቲ የሩሳሌም ክትሕደስን
ክትህነጽን ዚብል ቃል ካብ ዚወጽእ ጀሚሩ ኽሳዕ እቲ መሲህ፣ መስፍን፣ ሾብዓተ ሰሙን እየን። ድሕሪ
ስሳን ክልተን ሰሙን ድማ፣ ጊዜ ጸበባ ኸነሱ፣ ንሳ ምስናይ ኣደባባይን መካበብያን ከም ብሓድሽ ክትህነጽ
እያ። [26] ድሕሪ ስሳን ክልተን ሰሙን ከኣ መሲህ ኪቕተል እዩ፣ ንርእሱ ግና ኣይኰነን። ህዝቢ እቲ
ዚመጽእ መስፍን ድማ ነታ ኸተማን ነታ መቕደስን ኬጥፍእ እዩ። መወዳእታ ጥፍኣታ ከኣ ከም ውሒዝ
ኪመጽእ እዩ፣ ውግእ ክሳዕ መወዳእታ ኪኸውን፣ ጥፍኣታውን ምዱብ እዩ። [27] ንሱ ንሓደ ሰሙን ምስ
ብዙሓት ጽኑዕ ኪዳን ኪኣቱ እዩ። ኣብ ፈረቓ እታ ሰሙን ከኣ ነቲ መስዋእቲ ሕሩድን ነቲ መስዋእቲ
ብልዕን ኪውግድ እዩ። እቲ መጥፍኢ ድማ በኽናፉ ርኽሰት ኪመጽእ እዩ፣ እዚ ኸኣ ክሳዕ እታ ምዱብ
መፈጸምታ ኣብቲ መጥፍኢ ዚወርድ እዩ።

# ምዕራፍ 10

[1] ንቂሮስ ንጉስ ፋርስ ኣብታ ሳልሰይቲ ዓመቱ ነቲ ቤልጥሻጽር እተሰምየ ዳንኤል ነገር ተገልጸሉ፣ እቲ
ነገር ከኣ ሓቂ እዩ፣ ስለ ዓብዩ መከራ ድማ እዩ። ንሱ ነቲ ነገር ኣቕለበሉ፣ ነቲ ራእይውን ኣስተውዐሎ። [2]
በቲ ጊዜ እቲ ነቲ ዳንኤል ሰለሰተ ሰሙን ምሉእ ሐዚነ ነበርኩ። [3] እተን ሰለሰተ ሰሙን ክሳዕ ዚፍጸማ፣
ጥዑም መባልዕ ኣይበላዕኩን፣ ስጋን ወይንን ናብ ኣፈይ ኣየእቶኹን፣ ዘይቲውን ኣይተለኸኹን። [4] ኣብታ
መጀመርያ ወርሒ ኣብ መበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ ኣብ ወሰን እቲ ዓብዩ ርባ ሂዲቄል ነበርኩ። [5]
ኣዒንተይ ቌላሕ ኣበልኩ እሞ ርኤኹ፣እንሆ ኸኣ፣ ካብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዓለባ እተኸድነ ኣብ

ሕቖኡ ድማ ጽሩይ ወርቂ ኡፋዝ እተቐነተ ሰብኣይ ነበረ። [6] ስጋኡ ኸም በሪሎስ፣ ገጹ ኸም ትርኢት
መብረቕ፣ ኣዒንቱ ኸም ዚነድድ ፋና፣ ቀላጽሙን ኣእጋሩን ከም ርሱን ኣስራዚ፣ ድምጺ ቓላቱ ድማ ከም
ድምዚ ብዙሕ ህዝቢ ነበረ። [7] ነቲ ራእይ ኣነ ዳንኤል በይነይ እየ ዝርኤኽዎ፣ እቶም ምሳይ ዝነበሩ ሰባት
ነቲ ራእይ ኣይረኣይዎን ዓብዪ ስምባድ ግና ወደቖም፣ ኪሕብኡ ኸኣ ሀደሙ። [8] ሽዑ በይነይ ተረፍኩ፣ ነዚ
ዓብዪ ራእይ እዚ ኸኣ ርኤኹ፣ ሓይሊ ኣይተረፈንን፣ ሕብሪ ገጻይ ክሳዕ ዚበላሾ ተለወጠኒ፣ ሓይሊውን
ኣይተረፈንን። [9] ድምጺ ቓላቱ ሰማዕኩ፣ ድምጺ ቓላቱ ምስ ሰማዕኩ ኸኣ፣ ውኖይ ጠፊኡኒ፣ ብገጻይ ናብ
ምድሪ ወደቕኩ። [10] እንሆ ኸኣ፣ ኢድ ተንከየትኒ፣ በብራኸይን ብግናዕ ኣእዳወይን ከኣ ኣተንስኣትኒ። [11]
ንሱውን፣ ኣታ ዳንኤል፣ ኣዚኻ እተፈቶኻ ሰብ፣ ኣነ ሕጂ ናባኻ ተላኢኸ እየ እሞ፣ ነቲ ዝነግረካ ቓላት
ኣስተውዕሎ፣ ቀጥ ኢልካ ድማ ደው በል፣ በለኒ። እዚ ቓል እዚ ምስ ተዛረበኒ፣ እናንቀጥቀጥኩ ደው
በልኩ። [12] በለኒ ድማ፣ ዳንኤለየ፣ ካብታ ልብኻ ናብ ምስትውዓል ዘቕናዕካላ ርእስኻውን ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽካ ዘትሓትካላ ቐዳመይቲ መዓልቲ ጀሚረን ቃላትካ ተሰሚዔን እየን እሞ፣ ኣይትሸበር፣ ምእንቲ
እዘን ቃላትካ ኸኣ መጺኤ እኔኹ። [13] እቲ መስፍን መንግስቲ ፋርስ ግና ዕስራን ሓደን መዓልቲ
ተቓወመኒ። እንሆ ኸኣ፣ ሚካኤል፣ ካብቶም ኣውራታት መሳፍንትስ ሓደ፣ ንምሕጋዘይ መጸ፣ ኣነውን
ኣብኡ ምስቶም ነገስታት ፋርስ ተረፍኩ። [14] እዚ ራእይ ንዳሕራይ ዘመን ዚኸውን እዩ እሞ፣ ኣነ
ንህዝብኻ ኣብ መወዳእታ ዘመን ዚበጽሖም ከፍልጠካ መጺኤ እኔኹ። [15] እዚ ቓላት ዚ ምስ ነገረኒ፣
ገጸይ ናብ ምድሪ ኣድነንኩ ዓባስውን ኰንኩ። [16-17] እንሆ ኸኣ፣ ወዲ ሰብ ዚመስል ከናፍረይ ተንከየኒ፣
ሽዑ ኣፈይ ከፊተ ተዛረብኩ፣ ነቲ ኣብ ቅድመይ ደው ኢሉ ዝነበረ ድማ፣ ጐይታየ፣ በቲ ዝርኤኽዎ
ራእይሲ ሕማመይ ደጊሱኒ፣ ሓይሊ ኣይተረፈንን። ኣነስ ገለ ሓይሊ ኣይተረፈንን፣ ምስትንፋስ እኳ ስኢነ
እየ እሞ፣ ባርያ እዚ ጐይታይሲ ከመይ ኢሉ ምስ እዚ ጐይታይ ኪዛረብ ይከኣሎ በልክዎ። [18] ሽዑ እቲ
ሰብ ዚመስል ከም ብሓድሽ ተንከየኒ ኣበርትዓኒውን። [19] ንሱ ኸኣ፣ ኣታ ኣዚኻ እተፈቶኻ ሰብ፣
ኣይትሸበር፣ ሰላም ንኣኻ ይኹን፣ በርትዕ፣ ኤረ በርትዕ፣ በለ። ምስ ተዛረበኒ፣ በርታዕኩ፣ ኣነውን፣
ጐይታየ፣ ኣበርቲዕካኒ ኢኻ እሞ፣ ተዛረብ፣ በልኩ። [20] ንሱ ድማ በለ፣ ኣነ ስለምንታይ ኢለ ናባኻ ኸም
ዝመጻእኩዶ ፈሊጥካ ኣሎኻ ሕጂ ኸኣ ምስ መስፍን ፋርስ ክዋጋእ ክምለስ እየ። ኣነ ኽወጽእ ከሎኹስ
እንሆ፣ እቲ መስፍን ዮናኒ ኺመጽእ እዩ። [21] ግናኸ እቲ ኣብ መጽሓፍ ሓቂ እተጻሕፈ እነግረካ ኣሎኹ፣
ብጀካ ሚካኤል: እቲ መስፍንኩም፣ ሓደ እኳ ዚህግዘኒ የብለይን።

# ምዕራፍ 11

[1] ኣነ ኸኣ በታ ቐዳመይቲ ዓመት ንዳርዮስ ሜዶናዊ ኽሕግዞን ከጽንዖን ቈይመ ነበርኩ። [2] ሕጂ ኸኣ ነቲ
ሓቂ ኽፍልጠካ እየ። እንሆ፣ እንድሕርዚውን ኣብ ፋርስ ሰለስተ ነገስታት ኪትንስኡ እዮም። እቲ
ራብዓይ ድማ ካብ ኵላቶም ዝበለጸ ኺህብትም እዩ። በቲ ሃብቱ ምስ በርትዔ ድማ፣ ንዅላቶም ኣብ
ልዕሊ መንግስቲ ዮናኒ ኼተንስኦም እዩ። [3] ሽዑ ዓብዪ ግዝኣት ዚገዝእን ዝደለየ ዚገብርን ብርቱዕ ንጉስ
ኪትንስእ እዩ። [4] ንሱ ምስ ተንስኤ ኸኣ፣ መንግስቱ ክትስበር፣ ክሳዕ ኣርባዕቲኡ ንፋሳት ሰማይ ድማ
ኽትመቓቐል እያ። መንግስቱ ኽትፈርስ፣ ካብታቶም ናብ ካልኦት ክትሐልፍ እያ እሞ፣ ንዘርኡ
ኣይክትከውንን እያ፣ ከምቲ ኺገዝእ ከሎ ዝነበሮ ስልጣን ከኣ ኣይኪህልዋን እዩ። [5] እቲ ንጉስ ደቡብ
ኪብርትዕ፣ ሓደ ካብ መሳፍንቱ ኸኣ ካብኡ ኺብርትዕን ኪገዝእን እዩ፣ ግዝኣቱውን ዓብዪ ግዝኣት
ኪኸውን እዩ። [6] ድሕሪ ቕሩብ ዓመታት ከኣ ኪሐብሩ እዮም። እታ ጓል ንጉስ ደቡብ ድማ ከተሳማምዕ

ኢላ ናብ ንጉስ ሰሜን ክትመጽእ፣ ግናኸ ሓይሊ ቕልጽማስ ኣይከተጽንዕን እያ። ንሱን ቅልጽሙን ከኣ
ኣይኪቖውምን እዩ። ንሳን እቶም ዜምጽእዋን እቲ ዝወለዳን እቲ በቲ ግዝያት ዝደገፉን ሐሊፎም
ኪወሀቡ እዮም። 7 ካብ ሱራ ዝወጸ ውሉዶ ግና ኣብታ ቦታኡ ኺትንስእ እዩ፣ ንሱ ናብ ሰራዊት ኪመጽእ፣
ናብ ዕርዲ ንጉስ ሰሜን ኪኣቱ፣ ከም ዝደለየ ኺገብሮምን ኪስዕሮምን እዩ። 8 ንኣማልኽቶም፣ ምስናይ እቲ
ፍሱስ ምስልታቶም፣ ምስቲ ኽቡር ናይ ብሩርን ወርቅን ኣቓሑኦም ናብ ግብጺ ኺማርኾም እዩ።
ንሓይሎ ዓመታት ከኣ ምስ ንጉስ ሰሜን ከይተዋግኤ ኪቐመጥ እዩ። 9 ንሱ ድማ ናብ መንግስቱ ንጉስ
ደቡብ ኪመጽእ፣ ግናኸ ናብ ሃገሩ ኺምለስ እዩ። 10 ደቁ ኸኣ ንውግእ ኪዳለዉ፣ ኣብዚሖም ዓብዪ
ሰራዊት ኪእከቡ እዮም። እቲ ሓደ ድማ ቀልጢፉ ኺመጽእ፣ ከም ውሒዝ ውሒዙ ኺሐልፍ፣ ኪምለስ
ድማ እዩ፣ ክሳዕ ዕርዱውን ኪዋጋእ እዩ። 11 እቲ ንጉስ ደቡብ ከኣ ኪምረር፣ ምስኡ፣ ምስቲ ንጉስ ሰሜን፣
ኪዋጋእ ኢሉውን ኪመጽእ እዩ። ንሱ ብዙሓት ኬኽትት፣ እቶም ብዙሓት ግና ኣብ ኢዱ ኺውሀቡ
እዮም። 12 ነቶም ብዙሓት ኪወስዶም፣ ልቡ ኸኣ ኪዕበ፣ ኣእላፋትውን ኬውድቕ እዩ። ግናኸ በዝስ
ኣይኪብርትዕን እዩ። 13 እቲ ንጉስ ሰሜን ኪምለስ ብዙሕ ሰራዊትን ገንዘብን ሒዙ ኺመጽእ እዩ። 14 በቲ
ዘመን እቲ ንንጉስ ደቡብ ብዙሓት ኪትንስእዎ እዮም። ካብ ማእከል ህዝብኻ ዓመጻኛታት ነቲ ራእይ
ኪፍጽሙልስ ልዕል ኪብሉ፣ ግናኸ ኪወድቁ እዮም። 15 እቲ ንጉስ ሰሜን ኸኣ ኪሕዛ እዩ። ቀላጽም
ደቡብ ኣይኪጸንዕን፣ እቶም ሕሩያት ህዝቡ ኸኣ ንምቅዋም ዚኸውን ሓይሊ የብሎምን። 16 እቲ ዚመጾ
ግና ከም ዝደለዮ ኺገብር እዩ፣ ዚቃወሞ ኸኣ ሓደ የልቦን። ንሱ ኣብታ ኽብርቲ ሃገር ኪቐውም፣ ኣብ
ኢዱውን ጥፍኣት ኪኸውን እዩ። 17 ምስ ሓይሊ ኹሉ መንግስቱ ኺመጽእ፣ ኪሰማማዕ ኢሉ ኸኣ ገጽ
ኪመልስ እዩ። ምእንቲ ኼጥፍኣ፣ ጓል ኣንስተይቲ ኺህቦ እዩ። ንሳ ኣይክትቀውምን፣ ንእኡውን
ኣይክትከውንን እያ። 18 ድሕርዚ ገጹ ናብ ደሴታት ኪመልስ፣ ካብኣተን ከኣ ብዙሓት ኪወስድ እዩ። ሓደ
መስፍን ግና ነቲ ጸርፉ ኼትርፎ፣ ኤረ ናብ ርእሱ ኺመልሰሉ እዩ። 19 ገጹ ናብ እምባ ሃገሩ ኺመልስ፣
ኪሕንኰልን ኪወድቕን እዩ፣ ኣይኪርከብን ከኣ እዩ። 20 ሽዑ ኣብ ክንዳኡ ሓደ ኻልእ ኪትንስእ ኣብታ
ኽብርቲ መንግስቲ ኸኣ ንመጨነቒ ኣሕሊፉ ኺሰዶ እዩ። ድሕሪ ቕሩብ መዓልትታት ግና ኪጠፍእ፣
ብቑጥዓ ኣይኰነን፣ ብኹናትውን ኣይኰነን። 21 ኣብ ክንዳኡ ኸኣ ክብሪ መንግስቲ ዘይሀብዎ ሓደ ንዑቕ
ሰብ ኪትንስእ እዩ፣ ቀስ ኢሉ ኺመጽእ፣ ነታ መንግስቲ ድማ እናቃባጠረ ኺሕዛ እዩ። 22 ብቐላጽም
ውሒዝ ካብ ቅድሚኡ ኺድምሰሱን ኪስበሩን እዮም፣ ኤረ እቲ መስፍን ቃል ኪዳን እኳ ኸይተረፈ። 23
ኪዳን ምስኡ ምስ ተኣታተወ ኸኣ፣ ብተንኰል ኪገብር እዩ። ኪወጽእን ብሒደት ጭፍራ ኺስዕርን እዩ።
24 ቀስ ኢሉ ናብተን ልምሉማት ቦታታት እታ ኣውራጃ ኺኣቱ እዩ፣ እቶም ኣቦታቱ፣ ኤረ እቶም ኣቦታት
ኣቦታቱ እኳ ከቶ ዘይገብርዎ ኺገብር እዩ። ብዝበዛን ምርኮን ኪህቅነለን እዩ፣ እዚውን ንቕሩብ ጊዜ እዩ።
25 ዓብዪ ሰራዊት ሒዙ ሓይሉን ትብዓቱን ኣብ ልዕሊ ንጉስ ደቡብ ኬተንስእ እዩ። ንጉስ ደቡብ ከኣ
ዓብይን ኣዝዩ ብርቱዕን ሰራዊት ሒዙ ንውግእ ኪትንስእ፣ ግናኸ ምኽሪ ኺጣበቡሉ እዮም እሞ፣
ኣይኪቖውምን እዩ። 26 እቶም ኣብ መኣዱ ዚበልዑ ኸኣ ኪጭፍልቕዎ እዮም፣ ሰራዊቱ ኺውሕዝ እዩ፣
ብዙሓትውን ተወጊኦም ኪወድቁ እዮም። 27 ክልቲኦም ነገስታት በብልቦም እከይ ኪሐስቡ፣ ኣብ ሓንቲ
መኣዲ ተቐሚጦም ከኣ ሓሶት ኪዛረቡ እዮም። ግናኸ መወዳእታኡ ኣብታ ምድብቲ ዘመን እዩ ዚኸውን
እሞ፣ ኣይኪሰልጥን እዩ። 28 ብዙሕ ገንዘብ ሒዙ ናብ ሃገሩ ኺምለስ፣ ልቡ ነቲ ቅዱስ ኪዳን ኪህቅነሉ፣
ኪገብር ከኣ እዩ እሞ ናብ ሃገሩ ኺምለስ እዩ። 29 በታ ምድብቲ ዘመን ተመሊሱ ናብ ደቡብ ኪኸይድ፣
ግናኸ እቲ ዳሕራይ ጊዜስ ከምቲ ቐዳማይ ኣይኪኸውንን እዩ። 30 መራኽብ ካብ ኪቲም ኪመጻኦ እየን
እሞ፣ ኪሸበርን ኪምለስን እዩ፣ ኣብ ልዕሊ እታ ቅድስቲ ኺዳን ኲዅሪ ኺገብርውን እዩ። ኪምለስ፣

ነቶም ነታ ቅድስቲ ኺዳን ዝሐድግዋ ድማ ኪሰምዖም እዩ። 31 ቀላጽሙ ኣብኡ ኪቼሙ፣ ነታ መቕደስን
ነቲ ዕርድን ኬርክሱ፡ ነቲ ናይ ኵሉ መዓልቲ መስዋእቲ ኺውግዱ፣ ነቲ ዜጥፍእ ፍንፉን ነገር ከኣ ኬቕሙ
እዮም። 32 ነቶም ነታ ኺዳን ብረሲእነት ዝበደሉስ እናቃባጠረ ኼስሕቶም እዩ፣ እቲ ንኣምላኹ ዚፈልጥ
ህዝቢ ግና ኪብርትዕን ኪገብርን እዩ። 33 እቶም ጠቢባን ህዝቢ ኸኣ ንብዙሓት ኪምህሩ እዮም፣ ግናኸ
ንቕሩብ ጊዜ ብሰይፍን ብሃልሃልታ ብምርኮን ብበዝባዝን ኪወድቁ እዮም። 34 ምስ ወደቑ ኸኣ ብቕሩብ
ረድኤት ኪርድኡ እዮም፣ ግናኸ ብዙሓት ብግብዝና ኺሐብርዎም እዮም። 35 እዝስ በቲ ምዱብ ጊዜ እዩ
ዚኸውን እሞ፣ ካብቶም ጠቢባን ሓያሎ ኽሳዕ ዘመን መወዳእታ ምእንቲ ኪኾልዖምን ኬጽርዮምን
ኬጻዕድዎምንሲ፣ ኪወድቁ እዮም። 36 እቲ ምዱብ ነገር ኪፍጸም እዩ እሞ፣ እቲ ንጉስ ከም ፍቓዱ
ኪገብርን ርእሱ ኼልዕልን ኣብ ልዕሊ ኣምላኽ ዘበለ ኪዕበን ኣብ ልዕሊ እቲ ኣምላኽ ኣማልኽቲ ድማ
መስትንክር ኪዛረብ እዩ። እቲ ቑጥዓ ኽሳዕ ዚፍጸምሲ፣ ኪሰልጦ እዩ። 37 ኣብ ልዕሊ ዅሉ ኺዕበ እዩ
እምበር፣ ንኣምላኽ ኣቦታቱ ኣይኬቕልበሉን፣ ነቲ ሃረርታ ኣንስትን ንኣምላኽ ዘበለን ኣይኬቕልበሎምን
እዩ። 38 ኣብ ክንዳኡስ ነቲ ኣምላኽ ዕርድታት ኬኽብር፣ ነቲ ኣቦታቱ ዘይፈልጥዎ ኣምላኽ ብወርቅን
ብብሩርን ብኽቡር ኣእማንን ብዝኸበረ ኣቓሑን ኬኽብሮ እዩ። 39 ነቲ ጽኑዕ ዕርድታት ብጓና ኣምላኽ
ተሐጊዙ ኸምዚ ኺገብሮ እዩ፣ ነቶም ዚቕበልዎ ኽብሪ ኼብዝሓሎም፣ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ኬግዝኦም፣
ከም ዓስቢ ኸኣ ነታ ምድሪ ኪኸፋፍላ እዩ። 40 ኣብ ዘመን መወዳእታ ግና እቲ ንጉስ ደቡብ ኪገጥሞ
እዩ። እቲ ንጉስ ሰሜን ከኣ ብሰረገላታትን በፍራስን ብብዙሕ መራኽብን ከም ህቦብላ ንፋስ ኰይኑ
ኺመጾ እዩ፣ ኣብተን ሃገራት ድማ ኪኣቱን ኪወጽሕዝን ኪሐልፍን እዩ። 41 ናብታ ኽብርቲ ሃገር ከኣ
ኪኣቱ እዩ፣ ብዙሓት ሃገር ድማ ኪወድቁ እዮም። ግናኸ ኤዶምን ሞኣብን እቶም ኣውራታት ደቂ ዓሞንን
ካብ ኢዱ ኼምልጡ እዮም። 42 ኣብ ሃገራት ድማ ኢዱ ኺዝርግሕ እዩ፣ ሃገር ግብጺውን ኣይክተምልጥን
እያ። 43 ንሱ ኣብቲ መዛግብ ወርቅን ብሩርን ኣብ ኵሉ እቲ ኽቡር ኣቓሑ ግብጽን ኪስልጥን እዩ፣ ሊብያን
ኢትዮጵያን ድማ ኪስዕብዎ እዮም። 44 ግናኸ ካብ ምብራቕን ካብ ሰሜንን ዚመጽእ ወረ ኼሸብሮ እዩ
እሞ፣ ንብዙሓት ኬጥፍእን ኬጽንትን ኢሉ፣ ብዓብዪ ነድሪ ኺወጽእ እዩ። 45 ንሱ ኣብ መንጎ ባሕርን ኣብ
መንጎ እታ ኽብርቲ ቅድስቲ ደብርን ድንኳናት ኣዳራሹ ኺተክል እዩ። ግናኸ ናብ መወዳእታኡ ኺበጽሕ
እዩ፣ ዚረድኦ ኸኣ የብሉን።

# ምዕራፍ 12

1 በቲ ዘመንቲ ሚካኤል፣ እቲ ምእንቲ ደቂ ህዝብኻ ዚቐውም ዓብዪ መስፍን፣ ኪትንስእ እዩ። ሽዑ
ዘመን ጸበባ ኪኸውን እዩ፣ ከምኡስ ካብታ ህዝቢ ዝሀለዉላ ጀሚሩ ኽሳዕ እታ ጊዜ እቲኣ ከቶ ኾይኑ
ኣይፈልጥን። በታ ጊዜ እቲኣስ ህዝብኻ፣ ኣብ መጽሓፍ ተጽሒፉ እተረኽበ ዘበለ፣ ኪድሕን እዩ። 2
ካብቶም ኣብ መሬት ምድሪ ደቂሶም ዘለዉስ ብዙሓት፣ ገሊኦም ናብ ናይ ዘለኣለም ሕይወት፣ ገሊኦም
ከኣ ናብ ሕፍረትን ናብ ናይ ዘለኣለም ነውርን ኪበራበሩ እዮም። 3 እቶም ጠቢባን ከም ምንጽብራቕ
ጠፈር፣ እቶም ንብዙሓት ናብ ጽድቂ ዚመርሑ ኸኣ ከም ከዋኽብቲ ንዘለኣለም ኣለም ኪበርሁ እዮም። 4
ንስኻ ግና፣ ኣታ ዳንኤል፣ ክሳዕ ዘመን መወዳእታ ነዘን ቃላት እዚኤን ዕጸወን፣ ነዛ መጽሓፍ እዚኣ ኸኣ
ሕተማ። ብዙሓት ኪምርምርዋ እዮም፣ ምስትውዓል ድማ እናወሰኸ ኪኸይድ እዩ። 5 ኣነ ዳንኤል ከኣ
ጠመትኩ፣ እንሆውን፣ ክልተ ኻልኦት፣ እቲ ሓደ ኣብ ክነጀው ገምገም ርባ፣ እቲ ኻልኣይ ድማ ኣብ
ክንየው ገምገም ርባ ደው ኢሎም ነበሩ። 6 ሓዲኦም ከኣ ነቲ ኻብ ልሕጺ እንግጢዕ እተገብረ ዓለባ

እተኸድነ፣ ኣብ ልዕሊ ማይ እቲ ርባውን ደው ዝበለ ሰብኣይ፣ እዚ ዜስተንክር ነገር እዝስ መወዳእታኡ
መኣዝ ኪኸውን እዩ ኢሉ ጠየቐ። 7 እቲ ኻብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ ዐለባ እተኸድነ፣ ኣብ ልዕሊ
ማይ እቲ ርባውን ደው ዝበለ ሰብኣይ ንየማነይትን ጸጋመይትን ኣእዳዉ ናብ ሰማይ ኣቢሉ ኣልዕለ እሞ፣
ንዘመንን ዘመናትን ፈረቓ ዘመንን እዩ፣ እቲ ሓይሊ እቲ ቅዱስ ህዝቢ ጠሪሶም ምስ ሰበርዎ፣ ኵሉ እዚ
ነገር እዚ ኺፍጸም እዩ፣ ኢሉ በቲ ንዘለኣለም ህያው ኰይኑ ዚነብር ኪምሕል ከሎ ሰማዕክዎ። 8 ኣነ ድማ
ሰማዕኩ፣ ግናኸ ኣየስተውዐልኩን እሞ፣ ጐይታየ፣ መወዳእታ እዝስ እንታይ እዩ በልኩ። 9 ንሱ ኸኣ በለ፣
ዳንኤል፣ እዚ ቓላት እዚ ክሳዕ ዘመን መወዳእታ ሕቡእን ሕቱምን እዩ እሞ፣ ኪድ ደኣ። 10 ብዙሓት
ኪጸርዩ፣ ኪጽዕድዉ ኪኾልዑውን እዮም፣ እቶም ረሲኣን ግና ረሲእነት ኪገብሩ እዮም። እቶም ጠቢባን
እዮም ዜስተውዕልዎ እምበር፣ ካብቶም ረሲኣንሲ ሓደ እኳ ኣይኪስተውዕሎን እዩ። 11 ካብቲ ናይ ኵሉ
መዓልቲ መስዋእቲ እተወገደሉን ዜጥፍእ ፍንፉን ነገር ዝቘመሉን ዘመን ጀሚሩ፣ ሽሕን ክልተ ሚእትን
ተስዓን መዓልቲ እዩ። 12 እቲ ዚጽበን፣ ኣብተን ሽሕን ሰለስተ ሚእትን ሰላሳን ሓሙሽተን መዓልቲ
ዚበጽሕን ብጹእ እዩ። 13 ንስኻ ግና ናብ መወዳእታ ኣቢልካ ኺድ። ክትዐርፍ፣ በቲ መወዳእታ
መዓልትታት ከኣ ናብ ግዴኻ ኽትትንስእ ኢኻ።

# ትንቢት ሆሴእ

## ምዕራፍ 1

1 ብዘመን እቶም ነገስታት ይሁዳ፣ ኡዝያን ዮታምን ኣሃዝን ህዝቅያስን ብዘመን እቲ ንጉስ እስራኤል፣
የሮብዓም ወዲ ዮኣስን ንሆሴእ ወዲ ብኤሪ ዝመጸ ቓል እግዚኣብሄር እዚ እዩ። 2 እግዚኣብሄር ብሆሴእ
ኪዛረብ ምስ ጀመረ፣ እግዚኣብሄር ንሆሴእ፣ እታ ሃገር ካብ እግዚኣብሄር ርሒቓ ዓብዪ ምንዝርና
ትምንዝር ኣላ እሞ፣ ኪድ፣ ውሉድ ምንዝርና ዘለውዋ ሰበይቲ ምንዝርና ኣእቱ፣ በሎ። 3 ከደ እሞ ንጎሜር
ጓል ዲብላይም ኣእተወ። ንሳ ኸኣ ጠነሰት ወዲውን ወለደትሉ። 4-5 እግዚኣብሄር ድማ፣ ድሕሪ ቑሩብ ጊዜ
ንደም ይዝሬኤል ኣብ ልዕሊ ቤት የሁ ኽውርዶ፣ ንመግስቲ ቤት እስራኤል ከኣ ከጥፍኣ እየ፣ በታ
መዓልቲ እቲኣ ድማ ንቐስቲ እስራኤል ኣብ ለሰ ይዝሬኤል ክሰባብሮ እየ እሞ፣ ስሙ ይዝሬኤል ኢልካ
ስመዮ፣ በሎ። 6 ከም ብሓድሽ ከኣ ጠነሰት ጓል ድማ ወለደት። በሎውን፣ድሕርዚ ንቤት እስራኤል ይቕረ
ኢለ ከቶ ኣይክምሕሮምን እየ እሞ፣ ስማ ሎሩሓማ ኢልካ ስመያ። 7 ንቤት ይሁዳ ግና ክምሕሮም እየ።
ብእግዚኣብሄር ኣምላኾም እየ ዘድሕኖም እምበር፣ ብቐስትን ብሰይፍን ብውግእን በፍራስን
ብፈረሰኛታትንሲ ኣየድሕኖምን እየ። 8 ንሎሩሓማ ጡብ ምስ ኣሕደገታ፣ ጠነሰት ወዲ ኸኣ ወለደት። 9
እግዚኣብሄር ድማ፣ ንስኻትኩም ህዝበይ ኣይኰንኩምን፣ ኣነውን ናትኩም ኣይክኸውንን እየ እሞ፣ ስሙ
ሎዓሚ ኢልካ ስመዮ፣ በሎ። 10 ግናኸ ፍቕዲ ደቂ እስራኤል ኽምቲ ኪስፈርን ኪፍቀድን ዘይከኣል ሑጻ
ባሕሪ ኪኸውን እዩ፣ ኣብቲ፣ ህዝበይ ኣይኰንኩምን እተባህለሉ ስፍራ ኸኣ፣ ንስኻትኩም ደቂ ህያው
ኣምላኽ ኢኹም፣ ኪብልዎም እዮም። 11 መዓልቲ ይዝሬኤል ዓባይ እያ እሞ፣ ደቂ ይሁዳን ደቂ
እስራኤልን ሓቢሮም ኪእከቡ፣ ንርእሶም ሓደ ሓለቓ ኺገብሩ፣ ካብታ ሃገርውን ኪወጹ እዮም።

## ምዕራፍ 2

1 ነሕዋትኩም፣ ዓሚ፣ ንኣሓትኩም ከኣ፣ ሩሓማ፣ በሉ። 2 ኣዴኹም ሰበይተይ ኣይኰነትን፣ ኣነውን
ሰብኣያ ኣይኰንኩን እሞ፣ ምስኣ ተኻትዑ፣ ተኻትዑ፣ ምንዝርናኣ ካብ ገጻ፣ ዝሙታ ኸኣ ካብ መንጎ
ኣጥባታ ተውጽእ። 3 እንተ ዘይኰነስ ገፊፈ ኽምታ እተወልደትላ መዓልቲ ጥራያ ኽንብራ፣ ከም ምድረ
በዳ ኽገብራ፣ ከም ንቑጽ ምድሪ ኽንብራ፣ ብጽምኢውን ክቐትላ እየ። 4 ደቃ ድማ ደቂ ምንዝርና እዮም
እሞ፣ ኣይክምሕሮምን እየ። 5 ኣዲኦም መንዚራ እያ እሞ፣ እታ ዝጠነሰቶም ነወረት። ደድሕሪ እቶም
እንጌራይን ማየይን ጸምረይን ልሕጺ እንጣጢዔይን ዘይተይን መስተይን ዚህቡኒ ፈተውተይ ክኸይድ
እየ፣ ኢላ እያ እሞ፣ 6 ስለዚ እንሆ፣ ንጐደናኺ ብእሾኽ ክሐጽሮ፣ መገድታታ ከይትረኽቦስ፣ ብቐጽሪ
ክቐጽራ እየ። 7 ደድሕሪ ፈተውታ ኽትጐዪ፣ ግናኸ ኣይከተርክቦምን፣ ክትደልዮም፣ ግናኸ
ኣይክትረኽቦምን እያ። ሽዑ ንሳ፣ ካብ ሎሚ ሽዑ ይሕሸኒ ነይሩ እዩ እሞ፣ ክኸይድ ናብቲ ቐዳማይ
ሰብኣያይ ክምለስ እየ፣ ክትብል እያ። 8 ንሳ፣ ስርናይን ወይንን ዘይትን ኣነ ኸም ዝሀብክዋ፣ እቲ ንበዓል
ዝገበርዎ ብሩርን ወርቅን ከም ዘብዛሕኩላ፣ ኣይፈለጠትን። 9 ስለዚ ንስርናየይ ብግዜኡ፣ ንወይነይ ከኣ
ብወርሓቱ መሊሰ ኽወስዶ እየ። ነቲ ዕርቃና እትኸድነሉ ጸምረይን ልሕጺ እንጣጢዔይን ድማ ክምንዝዓ
እየ። 10 ሕጂ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ፈተውታ ሓፍረታ ክቐልዓ እየ፣ ሓደ እኳ ካብ ኢደይ ዜድሕና

የልቦን። 11 ኵሉ ሓጐሳን በዓላታን ሰርቂ ወርሓን ሰናብታን ኵሉ ዓበይቲ በዓላታን ከጥፍእ እየ። 12 ነቲ፣
ፈተውተይ ዝሀቡኒ ደመወዘይ እዚ እዩ፣ ዝበለቶ ተኽሊ ወይናን ኦም በለሳን ክብርሶ፣ ዱር ከኣ ክገብሮ
እየ፣ ኣራዊት መሮርውን ኪበልዕዎ እዮም። 13 ብምኽንያት እተን ንበዓላት ዝዐጠነትለን መዓልትታት
ክቐጽዓ እየ፣ ብቐለቤታን ብስልማታን ተጋይጽ፣ ደድሕሪ ፈተውታን ትስዕብ ነበረት፣ ንኣይ ግና
ረስዓትኒ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 14 ስለዚ እንሆ፣ ኣነ ኽሓባብላ፣ ናብ በረኻ ኽወስዳ፣ ንልባ ኸኣ ክዛረብ
እየ። 15 ካብኡ ኣታኽልቲ ወይና፣ ለሰ ኣኮር ከኣ ከም ደገ ተስፋ ክህባ እየ። ኣብኡ ኸምቲ ብመዓልትታት
ንእስነታ፣ ከምቲ በታ ኻብ ሃገር ግብጺ ዝወጸትላ መዓልቲ ኽትዝምር እያ። 16 በታ መዓልቲ እቲኣ
ኪኸውን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣ ሰብኣየይ ኢልኪ ኽትጽውዕኒ ኢኺ፣ ድሕርዚ ኸኣ በዓለይ ኢልኪ
ኣይክትጽውዕንን ኢኺ። 17 ኣነ ድማ ስም በዓላት ካብ ኣፋ ኽውጽእ እየ፣ ድሕርዚ ኸኣ ስሞም
ኣይኪዝከርን እዩ። 18 በታ መዓልቲ እቲኣ ምስ ኣራዊት መሮርን ምስ ኣዕዋፍ ሰማይን ምስ ለመምታ
ምድርን ኪዳን ክኣትወሎም እየ፣ ቀስትን ሰይፍን ውግእን ካብታ ሃገር ክሰብሮ፣ ብደሓንውን ከንብሮም
እየ። 19 ንዘለኣለም ንኣይ ክሕጸየኪ እየ፣ ብጽድቅን ብፍርድን ብሳህልን ብምሕረትን ንኣይ ክሕጸየኪ እየ።
20 ብእምነት ከኣ ንኣይ ክሕጸየኪ፣ ንስኺውን ንእግዚኣብሄር ክትፈልጥዮ ኢኺ። 21 በታ መዓልቲ እቲኣ
ድማ ኪኸውን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣ ኣነ ኽመልስ እየ፣ ንሰማይ ክመልሰሉ፣ ንሱ ኸኣ ንምድሪ
ኺመልሰላ እዩ። 22 ምድሪ ድማ ንስርናይን ወይንን ዘይትን ክትመልሰሉ እያ። እዚውን ንይዝሬኤል
ኪመልሰሉ እዩ። 23 ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ድማ ንኣይ ክዘርኣ እየ፣ ንሎሩሓማ ኸኣ ክምሕራ እየ፣ ንሎዓሚ
ድማ፣ ንስኻ ህዝበይ ኢኻ፣ ክብሎ እየ። ንሱውን፣ ኣምላኸይ፣ ኪብለኒ እዩ።

## ምዕራፍ 3

1 እግዚኣብሄር ከኣ፣ መሊስካ ኺድ እሞ ከምቲ እግዚኣብሄር ነቶም ናብ ካልኦት ኣማልኽቲ ዚምለሱን
ቅጫ ዘቢብ ዚፈትዉን ደቂ እስራኤል ሰበይቲ ፍቶ፣ በለኒ። 2 ኣነ ኸኣ ብዓሰርተው ሓሙሽተ ሲቃል
ብሩርን ብሆመር ስገምን ብለተክ ስገምን ንኣይ ዐደግክዋ። 3 ብዙሕ መዓልትታት ተጸበይኒ፣
ኣይትመንዝሪ፣ ንኻልእ ሰብኣይ ኣይትኹኒ፣ ኣነውን ከምኡ ኽገብረልኪ እየ፣ በልክዋ። 4 ደቂ እስራኤል
ብዘይ ንጉስን ብዘይ ሓለቓን ብዘይ መስዋእትን ብዘይ ምስልን ብዘይ ኤፎድን ተራፊምን ብዙሕ
መዓልትታት ኪቕመጡ እዮም። 5 ደሓር ደቂ እስራኤል ንእግዚኣብሄር ኣምላኾምን ንዳዊት ንጉሶምን
ኪደልዩ ኺምለሱ፣ በተን ዳሕሮት መዓልትታት ብፍርሃት ናብ እግዚኣብሄርን ናብ ሳህሉን ኪመጹ
እዮም።

## ምዕራፍ 4

1 ኣቱም ደቂ እስራኤል፣ ቃል እግዚኣብሄር ስምዑ፣ ሓቅን ሳህልን ፍልጠት ኣምላኽን ኣብታ ሃገር የልቦን
እሞ፣ እግዚኣብሄር ምስቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዘለዉ ነገር ኣለዎ። 2 መርገምን ሓሶትን ቅትለትን
ስርቅን ምንዝርናን ገነነ፣ ደም ንደም ተጸናበረ። 3 ስለዚ እታ ሃገር ክትሕዝን፣ እቶም ኣብኣ ዚነብሩ
ኹላቶም ምስ ኣራዊት መሮርም ኣዕዋፍ ሰማይን ኬሕለልዉ፣ ዓሳ ባሕሪውን ኪውድኡ እዮም። 4
ህዝብኻ ኸምቲ ምስ ካህን ዚካታዕ እዩ፣ እምብኣርሲ ሓደ እኳ ኣይካታዕ፣ ሓደ እኳ ኣይግናሕ። 5 ንስኻ
ብመዓልቲ ኽትወድቕ ኢኻ፣ እቲ ነብዩ ኸኣ ምሳኻ ብለይቲ ኺወድቕ እዩ፣ ኣነውን ነዴኻ ኽድምስሳ

እየ። 6 ህዝበይ ሰኣን ፍልጠት ይጠፍእ። ፍልጠት ስለ ዝኣቤኻ፣ ኣነ ድማ ካህን ከይትኾነኒ ኽኣብየካ
እየ። ሕጊ ኣምላኽካ ስለ ዝረሳዕካ፣ ኣነ ኸኣ ንደቅኻ ኽርስዖም እየ። 7 ብመጠን እቲ ምብዛሖም ከምኡ
ኣብዚሖም በደሉኒ። ኣነ ንኽብረቶም ናብ ነውሪ ክልውጦ እየ። 8 ሓጢኣት ህዝበይ ይቕለቡ፣ ልቦም ድማ
ናብ ኣበሳኦም የድህብ ኣሎ። 9 እቲ ካህን ከኣ ከምቲ ህዝቢ ኪኸውን እዩ፣ ኣነ ድማ ብሰሪ ኣካይዳኦም
ክቐጽዖም፣ ግብሮምውን ክመልሰሎም እየ። 10 ንእግዚኣብሄር ምስዓብ ሓዲጎም እዮም እሞ፣ ይበልዑ
ኣይጸግቡን ከኣ፣ ይምንዝሩ ኣይበዝሑን ድማ። 11 ምንዝርናን ወይንን ኰልዒ ወይንን ኣእምሮ የጥፍእ። 12
መንፈስ ምንዝርናን ኣስሒትዎም፣ ካብ ኣምላኾም ርሒቖም መንዚሮም እዮም እሞ፣ ህዝበይ ነቲ
ዕጨይቲ ይሓትት፣ በትሩውን ይነግሮ። 13 ኣብ ርእሲ ኣኽራን ይሰውኡ፣ ኣብ ልዕሊ ኾርባታት ከኣ፣ ኣብ
ትሕቲ ኣውሕን ሰየን ጽሕድን፣ ጽላሎም ጽቡቕ እዩ እሞ፣ ይዕጥኑ። ስለዚ ኣዋልድኩም ይምንዝራ፣
መራዕኹም ድማ ይዝምዋ። 14 ንሳቶም ከኣ ምስ ኣመናዝር የግልሱ፣ ምስ ዘመውቲ ኣንስቲውን ይሰውኡ
ኣለዉ እሞ፣ ኣዋልድኩም ምስ ኣመንዝራ መራዕኹምውን ምስ ዘመዋ፣ ኣነ ኣይክቐጽዔንን እየ። ኣእምሮ
ዜብሉ ህዝብስ ኪውድቕ እዩ። 15 ኣታ እስራኤል፣ ንስኻ እንተ መንዘርካ፣ ይሁዳ ኣይበድል። ናብ ጊልጋል
ኣይትእተዉ፣ ናብ ቤትኣዌን ድማ ኣይትውጹኡ፣ ህያው እግዚኣብሄር ኢልኩም ከኣ ኣይትምሐሉ። 16
እስራኤል ከም ሕንግድ ኣርሒ ሐንጊዱ እዩ እሞ፣ ሕጂ እግዚኣብሄር ከም ዕየት ኣብ ገፊሕ ቦታ ኺጓስዮ
እዩ። 17 ኤፍሬም ምስ ጣኦታት ሐቢሩ እዩ፣ ሕደጎ። 18 ስኽራኖም ይገድድ ኣሎ፣ ምንዝርና የብዝሑ፣
ሓላቑኣ ኣዝዮም ነውሪ ይፈትዉ። 19 ንፋስ በኽናፉ ይኣስራ፣ ንሳቶምውን ብመስዋእቶም ኪሐንኩ
እዮም።

## ምዕራፍ 5

1 ኣብ ሚጽጳ መንፈጠራ፣ ኣብ ታቦር ከኣ እተዘርግሔት መርበብ ስለ ዝኾንኩም፣ ፍርዲ ኣባኻትኩም
እዩ እሞ፣ ኣቱም ካህናት፣ እዚ ስምዑ፣ ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ኣድህቡ፣ ኣቱም ቤት ንጉስ፣ ጽን በሉ። 2
እቶም ዓለወኛታት ኣብዚሖም ይሐርዱ፣ ኣነ ግና ነዚኣቶም ኵሎም ክቐጾዖም እየ። 3 ኣታ ኤፍሬም፣ ንስኻ
ሕጂ መንዚርካ፣ እስራኤል ድማ ረኺሱ እዩ እሞ፣ ኣነ ንኤፍሬም እፈልጦ እየ፣ እስራኤልውን
ኣይተሰወረንን። 4 መንፈስ ምንዝርና ኣብ ውሽጦም ኣሎ፣ ንእግዚኣብሄር ከኣ ኣይፈልጥዎን እዮም እሞ፣
ናብ ኣምላኾም ከይምለሱስ ግብሮም ይኸልኦም። 5 ትዕቢት እስራኤል ኣብ ገጹ ይምስክር። እስራኤልን
ኤፍሬምን ከኣ ብኣበሳኦም ይወድቁ፣ ይሁዳውን ምስኦም ይወድቕ። 6 ኣባጊዖምን ከብቶምን ሒዞም
ንእግዚኣብሄር ኪደልይዎ ይኸዱ፣ ግናኸ ኣይረኽብዎን፣ ንሱስ ካብኦም ርሒቑ እዩ። 7 ድቓላታት ደቂ ስለ
ዝወለዱ ንእግዚኣብሄር ጠለሙ። ሕጂ ድማ ሰርቂ ወርሒ ምስ ርስቶም ኪውሕጦም እዩ። 8 ኣብ ጊብዓ
ቐርኒ፣ ኣብ ራማ ኸኣ መለኸት ንፍሑ፣ ናብ ቤትኣዌን ድማ፣ ኣታ ብንያም፣ ኣብ ድሕሬኻ፣ ኢልኩም
ኣእውዩ። 9 ኤፍሬም ብመዓልቲ ቕጽዓት ኪባድም እዩ፣ ኣነ ኣብ ነገድ እስራኤል ርግጽ ነገር ኣፍለጥኩ። 10
ሓላቑ ይሁዳ ኸምቶም ዶብ ዘደፍኡ እዮም፣ ቍጥዓይ ኣብ ልዕሊኦም ከም ማይ ክኽዑ እየ። 11
ኤፍሬም ደድሕሪ ትእዛዝ ምኻድ ፈትዩ እዩ እሞ፣ ግፉዕ፣ ብፍርዲ ኸኣ ውጹዕ እዩ። 12 ስለዚ ኣነ
ንኤፍሬም ከም ነቐዝ፣ ንቤት ይሁዳ ኸኣ ከም ቍንቍኒ እየ። 13 ኤፍሬም ሕማሙ፣ ይሁዳ ኸኣ ቍስሉ
ምስ ረኣየ፣ ኤፍሬም ናብ ኣሶር ከደ፣ ናብ ንጉስ ያሬብ ድማ ለኣኸ፣ ግናኸ ኬጥዕየኩም ኣይከኣሎን፣ ካብ
ቍስልኹም ከኣ ኣይኬሕውየኩምን እዩ። 14 ኣነ ንኤፍሬም ከም ኣንበሳ፣ ንቤት ይሁዳ ኸኣ ከም ሽደን
ኣንበሳ ክኾኖም እየ። ኣነ፣ እወ ኣነ ዘሪፈ ክኸይድ እየ፣ ክወስድ እየ፣ ዜድሕን ድማ የልቦን። 15 በደሎም

ከሳዕ ዚፈልጡ ገጻይ ከኣ ከሳዕ ዚደልዩ፣ ኣነ ክኸይድ ናብ ቦታይውን ክምለስ እየ። ምስ ጸበቦም
ኣንጊሆም ኪደልዩኒ እዮም።

## ምዕራፍ 6

1 ንሱ ቐደደ፣ ኬጥዕየና ኸኣ እዩ፣ ንሱ ወቕዔ፣ ኪዝንነና ድማ እዩ እሞ፣ ንዑናይ ናብ እግዚኣብሄር
ንመለስ። 2 ድሕሪ ኽልተ መዓልቲ ህያዋን ኪገብረና እዩ፣ ብሳልሳይቲ መዓልቲ ኸኣ ደው ኬብለና ኣዩ።
ኣብ ቅድሚኡውን ብህይወት ክንነብር ኢና። 3 ንእግዚኣብሄር ንፍለጦ፣ ክንፈልጦ ድማ ንስዐቦ። ምውጻኡ
ኸም ወጋሕታ ርግጽ እዩ፣ ንሱ ኸም ዝናም፣ ከምቲ ንምድሪ ዜጥልል ዝናም ጽብሓት ናባና ኺመጽእ
እዩ። 4 ዎ ኤፍሬም፣ እንታይ ክገብረካ እየ ዎ ይሁዳ፣ እንታይ ክገብረካ እየ ሰናይኩም ከም ደበና
ብጊሓት፣ ከምቲ ኣንጊሁ ዚጠፍእ ኣውሊ እዩ። 5 ስለዚ ብነብያት ቈረጽክዎም፣ ብቓል ኣፈይ
ቀተልክዎም፣ ፍርደይ ድማ ከም ብርሃን ይወጽእ። 6 ኣነስ ምሕረት እየ ዝፈቱ፣ መስዋእቲ ኣይኰነን፣ ካብ
ዚሐርር መስዋእቲ ድማ ፍልጠት ኣምላኽ እፈቱ። 7 ንሳቶም ግና ከም ኣዳም ኪዳን ኣፍረሱ፣ በዚውን
ጠለሙኒ። 8 ጊልዓድ ብደም እተዐለሰት ከተማ ኣበሰኛታት እያ። 9 ከምቲ ኸተርቲ ንሰብ ዜድብዩሉ፣
ከምኡ ድማ እቶም ኣኼባ ካህናት ኣብ መገዲ ሴኬም ይቐትሉ፣ እወ፣ ሕሰም ይገብሩ። 10 ኣብ ቤት
እስራኤል ዜስክሕ ነገር ርኤኹ፣ ምንዝርና ኤፍሬም ኣብኡ እዩ፣ እስራኤል ከኣ ረኺሰ። 11 ንምርኮ ህዝበይ
ምስ መለስክዎ፣ ኣታ ይሁዳ፣ ንኣካ ድማ ቀውዒ ተዳልዩልካ ኣሎ።

## ምዕራፍ 7

1 ሓሶት የዘውትሩ፣ ሰራቒ ይኣቱ፣ ጭፍራ ኸተርቲ ድማ ኣብ ወጻኢ ይኸትሩ ኣለዉ እሞ፣ ንእስራኤል
ከሕውዮም ምስ ደሌኹ፣ ሽዑ ኣበሳ ኤፍሬምን ሕሰም ሰማርያን ተገልጸ። 2 ኣነ ንኹሉ እከዮም ከም
ዝዝክሮ፣ ብልቦም ኣይብሉን። ሕጂ ግብሮም ይኸቦም፣ ኣብ ቅድሚ ገጻይ ከኣ ኣሎ። 3 ንንጉስ ብእከዮም
ንመሳፍንቲ ድማ ብሓሶቶም የሐጕስዎም ኣለዉ። 4 ኵላቶም ዘመውቲ እዮም። ከምቲ ሰንካቲ ዘርስኖ
እቶን እዮም። ንሱ፣ እቲ ብሑቕ ካብቲ ዘምጥዮ ኽሳዕ ዚበኵዕ፣ ምቚስስ ይሐድግ። 5 ብመዓልቲ ንጉስና
እቶም መሳፍንቲ ብረስኒ ወይኒ ንርእሶም ኣሕመሙ፣ ምስቶም መላገጽቲ ኢዱ ዘርግሔ። 6 ብተንኰሎም
ንልቦም ከም እቶን ኣዳለውዎ፣ ሰንካቲኦም ምሉእ ለይቲ ይድቅስ፣ ንግሆ ኸኣ እቲ እቶን ሃልሃል ከም
ዚብል ሓዊ ይነድድ። 7 ኵላቶም ከም እቶን ይረስኑ ንፈራዶኦም ከኣ ይውሕጥዎም። ኵሎም ነገስታቶም
ወደቑ፣ ካብታቶም ሓደ እኳ ዘጽውዓኒ የልቦን። 8 ኤፍሬም ምስ ህዝብታት ይጸናበር ኣሎ፣ ኤፍሬም
ዘይተገምጠለ ቕጫ እዩ። 9 ሓይሉ ኣጋይስ ይበልዕዎ፣ ንሱውን ኣይፈልጦን። ሽበት ተነዝሐ፣ ንሱውን
ኣይፈልጦን። 10 ትዕቢት እስራኤል ኣብ ገጹ ይምስክር፣ ግናኸ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ኣይምለሱን፣
በዚ ኹሉውን ኣይደልይዎን። 11 ኤፍሬም ከም ልቢ ዜብላን ዓሻን ርግቢ ኾነ፣ ንሳቶም ንግብጺ
ይጽውዑ፣ ናብ ኣሶር ይኸዱ። 12 ኪኸዱ ኸለዉ መርበበይ ክዝርግሓሎም፣ ከም ኣዕዋፍ ሰማይ
ከውርዶም፣ ከምቲ ኣብ ማሕበሮም እተነግረ ክቐጽዖም እየ። 13 ካባይ ህዲሞም እዮም እሞ፣ ወይለኦም።
በዲሎምኒ እዮ እሞ፣ ጥፍኣት ኣብ ልዕሊኦም ይኹን። ኣነስ መድሐንክዎም፣ ንሳቶም ግና ሓሶት
ተዛረቡለይ። 14 ኣብ ምድቃሶም ኰይኖም ይበኽዩ ኣለዉ እምበር፣ ብልቦም ናባይ ኣይድህዩን። ናብ
ስርናይን ናብ ወይንን ይእከቡ፣ ንኣይእንከ ዐለዉኒ። 15 ኣነ ገሰጽክዎም፣ ቅልጽሞም ከኣ ኣበርታዕኩ፣

ንሳቶም ግና እከይ ይሐስቡለይ ኣለዉ። [16] ንሳቶም ይምለሱ ኣለዉ፣ ናብቲ ልዑል ግና ይኰኑን። ከም
መታለሊ ቐስቲ ኰኑ። መሳፍንቶም ብሰሪ ዥራ ልሳኖም ብሰይፊ ኺወድቑ እዮም። እዚ ኸኣ ኣብ ሃገር
ግብጺ መላገጺ ኪኾኖም እዩ።

# ምዕራፍ 8

[1] መለኸት ኣብ ኣፍካ ግበር፣ ኪዳነይ ኣፍሪሶም፣ ሕገይ ከኣ ግሂሶም እዮም እሞ፣ ከም ንስሪ ኣብ ልዕሊ
ቤት እግዚኣብሄር ኪወርድ እዩ። [2] ንሳቶም፣ ኣምላኽይ ንሕና እስራኤል ንፈልጠካ ኢና፣ ኣናበሉ ናባይ
ኬእውዩ እዮም። [3] እስራኤል ንሰናይ ደርብዮ፣ ጸላኢ ኺሰጎ እዩ። [4] ነገስታት ኣንገሱ፣ ግናኸ ብኣይ
ኣይኰነን፣ መሳፍንቲ ገበሩ፣ ኣነውን ኣይፈለጥኩን። ምእንቲ ኺጠፍኡስ ብብሩሮምን ብወርቆምን
ንርእሶም ጣኦታት ገብሩ። [5] ዎ ሰማርያ፣ ብተይካ ደርበየካ፣ ቍጥዓይ ኣብ ልዕሊኦም ነደደ፣ ክሳዕ መኣዝ
እዮም ኪጸርዩ ዘይከኣሎም [6] እዚ ኸኣ ካብ እስራኤል እዩ፣ ንሱ ኣምላኽ ኣይኰነን፣ ሓደ ዓያዪ ዝገበሮ
እዩ። ብተይ ሰማርያ ኺሰባበር እዩ። [7] ንፋስ ይዘርኡ ኣለዉ፣ ህቦብላ ኺዐጽዱ እዮም። ቃንጫ የብሉን፣
እቲ ብቋልያ ሓርጭ ኣየውጽእን። እንተ ኣውጽኤ እኳ፣ ጓኖት ምወሐጥዎ። [8] እስራኤል ተዋሕጠ። ሕጂ
ኣብ ማእከል ኣህዛብ ባህ ከም ዘየብል ኣቕሓ ኰኑ። [9] ከምቲ ንበይኑ ዚነብር ኣድጊ ኸደን ናብ ኣሶር
ውጺኦም ኣለዉ። ኤፍሬም ብህያብ ፈተውቲ ገበረ። [10] ንህዝብታት እኳ ህያብ እንተ ሀቡ፣ ኣነ ሎሚ
ኽእክቦም እየ። ብጾር እቲ ንጉስ መሳፍንቲ ኸኣ ምውሓድ ኪጅምሩ እዮም። [11] ኤፍሬም ሓጢኣት
ንምግባር መሰውኢታት ኣብዚሑ እዩ እሞ፣ እቲ መሰውኢታት ድማ ንሓጢኣት ኰኖ። [12] ኣእላፋት ሕገይ
እኳ እንተ ጸሐፍኩሎም፣ ጓና ኰይኑ እዩ ዚቝጸር። [13] መስዋእተይ የቕርቡ፣ ስጋ ይሰውኡ እሞ
ይበልዕዎ፣ እግዚኣብሄር ግና ኣይቕበሎምን። ሕጂ ንኣበሳኦም ኪዝክሮ ንሓጢኣቶም ከኣ ኪቕጽዖ እዩ።
ንሳቶም ናብ ግብጺ ኺምለሱ እዮም። [14] እስራኤል ንፈጣሪኡ ርስዖ፣ ኣዳራሻት ሀነጸ፣ ይሁዳ ኸኣ
እተዐርደ ኽተማታት ኣብዝሔ። ኣነ ግና ናብ ከተማታቱ ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ንሱውን ንግምብታቱ ሞዀ
ኬብሎ እዩ።

# ምዕራፍ 9

[1] ዎ እስራኤል፣ ንኣምላኽካ ሐዲግካ መንዚርካ፣ ኣብ ኵሉ ዓውዲ ስርናይ ዋጋ ምንዝርና ፈቲኻ ኢኻ
እሞ፣ ከም ህዝብታት ክሳዕ እልልታ ኣይትተሐጐስ። [2] ዓውድን መጽሙቕ ወይንን ኣይቕልቦምን፣ ኰልዒ
ወይኒ ኸኣ ይጠልሞም። [3] ንሳቶም ኣብ ሃገር እግዚኣብሄር ኣይነብሩን፣ ኤፍሬምሲ ናብ ግብጺ ደኣ
ይምለስ፣ ኣብ ኣሶር ድማ ርኹስ ብልዒ ይበልዑ። [4] ንእግዚኣብሄር ወይኒ ኣየፍስሱን፣ መስዋእቲ ሕሩዶም
ከኣ ባህ ኣየብሎን፣ ንኣታቶም ከም እንጌራ ሓዘን ይኾኖም፣ ካብኡ ዚበልዕ ዘበለ ኵሉውን ይረክስ።
እንጌራኦም ንርእሶም እዩ እሞ: ናብ ቤት እግዚኣብሄር ኣይኣቱን። [5-6] እንሆ፣ ንሳቶም ብሰሪ ምዕናው ከዱ፣
ግብጺ ትእክቦም፣ ሞፍ ድማ ትቕብሮም፣ ነቲ ኽቡር ብሩሮም ተኾርባ ይወርሶ፣ ኣብ ድንኳናቶም ከኣ
እሾኽ ኣዩ እሞ፣ ብመዓልቲ ዓብዪ በዓልን ብመዓልቲ በዓል እግዚኣብሄር እንታይ ክትገብሩ ኢኹም [7]
መዓልትታት ቅጽዓት መጺ፣ መዓልትታት ፍዳ መጺ፣ እስራኤል ይፈልጦ እዩ፣ ብብዝሒ ኣበሳኻን ብዕቤት
ጽልእን ነብዩ ዐሸው፣ እቲ መንፈስ ዘለዎ ሰብ ዐበደ። [8] ሓላዊ ኤፍሬም ምስ ኣምላኸይ ነበረ፣ ነቲ ነብዩ
ኣብ ኵሉ መገዱ መፈንጥራ ኣዕዋፍ ይረኽቦ፣ ኣብ ቤት ኣምላኹ ጽልኢ ኣሎ። [9] ከምቲ ብመዓልትታት

ጊብዓ ዝኾነ፣ ኣዕሚቖም ተበላሽዉ። ንሱ ኣበሳኦም ይዝክር፣ ሓጢኣቶም ከኣ ይቐጽዕ። 10 ኣነ ንእስራኤል
ኣብ በረኻ ኸም ዘሎ ፍረ ወይኒ ረኺብክዎ። ነቦታትኩም ከምቲ ኣብ እትብኲር ኦም በለስ በዓልጴኦር
ኣተወ፣ ንነውሪ ኸኣ ተፈልዩ፣ ከምቲ ዝፈተውዎ ድማ ፍንፉናት ኰኑ። 11 ክብረት ኤፍሬም ከም ዑፍ
ኪነፍር እዩ፣ ድሕርዚ ሕርስን ድቅን ጥንስን የብሎምን። 12 ደቆም እንተ ኣዕበዩ ድማ፣ ሓደ ሰብ እኳ
ኸይተርፎም ውሉድ ዜብሎም ክገብሮም እየ፣ እወ፣ ኣነ ኻባታቶም ምስ ዝርሕቕ ወይለኦም። 13 ኤፍሬም
ከምታ ኣብ ጽቡቕ ቦታ እተተኽለት ጢሮስ ኰይኑ ርኤኽዎ፣ ግናኸ ኤፍሬምሲ ንደቁ ናብ ቀታሊ
የውጽኦም። 14 ዎ እግዚኣብሄር፣ ሀቦም። እንታይ ክትህቦም ውሉድ ዘይወልድ ማሕጸን ንጹፍ ጡብን
ሀቦም። 15 ኵሉ ኽፍኣቶም ኣብ ጊልጋል እዩ፣ ኣነ ኣብኡ ጸላእክዎም፣ ብሰሪ ኽፍኣት ግብሮም ከኣ ካብ
ቤተይ እሰጎም፣ ድሕርዚ ኣየፍቅሮምን እየ፣ ኵሎም መሳፍንቶም ዓለወኛታት እዮም። 16 ኤፍሬም
ተወቕዔ፣ ሱሮም ነቐጸት፣ ፍረ ኣይፈርዩን፣ እንተ ወለዱ እኳ፣ ነቲ ፍቁር ፍረ ኸርሶም ክቐትሎ እየ። 17
ስለ ዘይሰምዕዎ፣ ኣምላኸይ ይድርብዮም፣ ንሳቶምውን ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኰብለልቲ ይኾኑ።

## ምዕራፍ 10

1 እስራኤል ብዙሕ ዝጨናፍሩን ብዙሕ ፍረ ዚፈርን ወይኒ እዩ። ከም መጠን ምብዛሕ ፍሬኡ
መሰውኢታት ኣብዝሐ፣ ከም መጠን ምጽባቕ ሃገሩ ሓውልትታት ኣጸበቐ። 2 ልቦም ተመቕለ፣ ሕጂ
ገበነኛታት ኰይኖም ተረኺቡ። ንሱ ንመሰውኢታቶም ይሰባብሮ፣ ንሓወልትታቶም ከኣ ሐሸምሽም
የብሎ። 3 ኤረ ሕጂስ ንእግዚኣብሄር ኣይፈርህናዮን እሞ፣ ንጉስ የብልናን፣ ንጉስከ እንታይ ኪገብረልና እዩ
ይብሉ። 4 ዘረባ ይዛረቡ፣ ብሓሶት ይምሕሉ፣ ኪዳን ይኣትዉ፣ ስለዚ ፍርዲ ኸም መርዛም ሳዕሪ ኣብ
ነግሒ ግራት ይበቍል። 5 እቶም ኣብ ሰማርያ ዚነብሩ ስለ እቲ ብተይ ቤትኣዌን ይፈርሁ። ክብረት ኻብኡ
ስለ ዝኸደ፣ እቲ ህዝቢ ንእኡ ይሐዝነሉ፣ እቶም ካህናት ጣኣታቱ ድማ ስሊኡ የንቀጥቅጡ። 6 ንሱ እኳ፣
ንንጉስ ያሬብ ኪውህብሲ፣ ናብ ኣሶር ይውሰድ። ኤፍሬም ይሐፍር፣ እስራኤል ከኣ ብምኽሩ ይሐንኽ። 7
ሰማርያ ምስ ንጉሳ ኸም ዓፍራ ኣብ ልዕሊ ማይ ትጠፍእ። 8 እቲ በረኽቲ ቦታ ኣዌን፣ ሓጢኣት
እስራኤልውን፣ይጠፍእ፣ ኣብ ልዕሊ መሰውኢኦም እሾኽን ተኹርባን ይበቍል። ንሳቶም ከኣ ነኽራን፣
ክደኑና፣ ንኹርባታት ድማ፣ ውደቑና፣ ይብልዎም። 9 ዎ እስራኤል፣ ካብ መዓልትታት ጊብዓ ጀሚርካ
ሓጢኣት ገብርካ፣ ንሳቶም ኣብኡ ቔሙ፣ እቲ ኣብ ደቂ ኣበሳ ዝኾነ ውግእ ኣብ ጊብዓ ኣይረኸቦምን እዩ።
10 ከም ፍቓደይ ክቐጽዖም እየ፣ ኣብቲ ኽልተ ሓጢኣቶም ምስ ተኣስሩ፣ ህዝብታት ንጐድኣቶም ኪእከቡ
እዮም። 11 ኤፍሬም መኼዳ ዝለመደት እሞ መኼዳ እትፈቱ ኣርሒ እዩ፣ ኣነ ግና በቲ ጽቡቕ ክሳዳ
ሐለከፍኩ። ንኤፍሬም ክጸምዶ እየ፣ ይሁዳ ኺሐርስ፣ ያእቆብውን ኪጕልጕል እዩ። 12 ንሱ ኺሳዕ
ዚመጽእ፣ ጽድቂ ኸኣ ክሳዕ ዜዝንመልኩምሲ፣ ንእግዚኣብሄር እትደልዩሉ ጊዜ እዩ እሞ፣ ንኣኻትኩም
ብጽድቂ ዝርኡ፣ ከም መጠን ምሕረቱ ኸኣ ዕጸዱ፣ ሓድሽ ጽግኢውን ጽግኡ። 13 ንስኻ ብመገድኻ፣
ብብዝሒ ጀጋኑኻ ተኣሚንካ ኢኻ እሞ፣ ረሲእነት ሐረስኩም፣ ኣበሳ ዐጸድኩም፣ ፍረ ሓሶት በላዕኩም።
14 ከምቲ ብመዓልቲ ውግእ እታ ኣደ ምስ ደቃ ኽትጭፍለቕ ከላ፣ ሳልማን ብቤትኣርብኤል ዘጥፍኣ፣ ኣብ
ማእከል ህዝብኻ ታዕታዕ ኪለዐል፣ ኵሉ ዕርድታትካውን ኪፈርስ እዩ። 15 ብሰሪ ሕሰም ክፍኣትኩም
ቤትኤል ከምኡ ይገብረኩም፣ ምድሪ ኽወግሕ ከሎ ድማ፣ ንጉስ እስራኤል ጥራስ ይጠፍእ።

## ምዕራፍ 11

1 ንእስራኤል ህጻን ከሎ ኣፍቀርክዎ፣ ንወደይ ካብ ግብጺ ጸዋዕክዎ። 2 ብመጠን እቲ ዝጸውዕዎም ካብ
ገጾም ረሐቑ፣ ንበዓሊም ሰውኡ ንጣኦታት ከኣ ዕጠኑ። 3 ኣነ ንኤፍሬም ኣታቴኽዎ፣ ብቕልጽመይ
ሐቔፍክዎም፣ ግናኸ ኣነ ኸም ዘሕዌኽዎም፣ ኣይፈለጡን። 4 ኣነ ብገመድ ሰብ፣ ብማእሰር ፍቕሪ
ሰሐብክዎም፣ ከምቲ ኻብ ምንጋጋኦም ኣርዑት ዜልዕል ኰንክዎም፣ ብልዒውን ኣቕረብኩሎም። 5 ናብ
ሃገር ግብጺ ኣይምለስን፣ ግናኸ ምምላስ ስለ ዝኣበዩ ኣሶራዊ ይነግሶ። 6 ስለ እቲ እተማኸርዎ ምኽሮም
ከኣ ሰይፊ ኣብ ከተማታቱ ኼንበጥብጥ፣ ንመህርሃሪታቱ ድማ ኪኹሞን ኪውሕጦን እዩ። 7 ህዝበይ
ካባይ ንምኽዳዕ ልቡ ተሰቕለ፣ ናብቲ ልዑል ጸዊያምዎም ክነሶም፣ ልዕል ዚብል ሓደ እኳ የልቦን። 8 ዎ
ኤፍሬም፣ ከመይ ገይረ ክሐድገካዎ እስራኤል፣ ከመይ ገይረ ኣሕሊፈ ኽህበካ ከም ኣድማዶ ኽገብረካ
ከም ጸቦይምዶኸ ኽንብረካ እየ ልበይ ኣብ ውሽጠይ ተናወጸ፣ ኵሉ ምሕረተይ ነደደ። 9 ኣነስ ኣምላኽ
እየ፣ ሰብ ኣይኰንኩን፣ ኣብ ማእከልካውን ቅዱስ እየ እምበር፣ ብነድሪ ቑጥዓ ኣይመጽእን እየ እሞ፣ ሃና
ነድረይ ኣይወጽእን እየ፣ ንኤፍሬም ከጥፍእ ኢለ ድማ ኣይምለስን እየ። 10 ንሱ ይጓዝም፣ እቶም ደቂ ኸኣ
ካብ ምዕራብ እናንቀጥቀጡ ይመጹ እሞ፣ ንሳቶም ደድሕሪ እቲ ኸም ኣንበሳ ዚጓዝም እግዚኣብሄር
ይኸዱ። 11 ካብ ግብጺ ኸም ዑፍ፣ ካብ ሃገር ኣሶር ከም ርግቢ እናንቀጥቀጡ ይመጹ፣ ኣነውን ኣብ
ኣባይቶም ከንብሮም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 12 ኤፍሬም ብሓሶት፣ ቤት እስራኤል ከኣ ብተንኰል
ከበቡኒ፣ ይሁዳ ግና ነቲ ቅዱስ እሙን ኰይኑ ምስ ኣምላኽ ይነግስ።

# ምዕራፍ 12

1 ኤፍሬም ንፋስ ይምገብ፣ ደድሕሪ ንፋስ ምብራቕ ከኣ ይስዕብ፣ ኵሉ መዓልቲ ሓሶትን ዓመጽን
የብዝሕ፣ ምስ ኣሶር ኪዳን ይኣትዉ፣ ናብ ግብጺውን ዘይቲ ይወስዱ። 2 እግዚኣብሄርሲ ምስ ይሁዳውን
ነገር ኣለዎ፣ ንያእቆብ ከኣ ከም መጠን መገዱ ኪቕጽዖ፣ ከም መጠን ግብሩ ድማ ኪፈድዮ እዩ። 3 ኣብ
ከርሲ ኣዲኡ ኸሎ ንሓዉ ብኹርኹሪኡ ሐዞ፣ ብምብርታዑ ኸኣ ምስ ኣምላኽ ተቓለሰ። 4 ምስ መልኣኽ
ተቓለሰ እሞ ኣሰነፈ፣ በኸየ፣ ለመኖ ኸኣ፣ ኣብ ቤትኤል ረኸቦ፣ ኣብኡውን ተዛረበና። 5 ንሱ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ሰራዊት፣ ስም መዘከርታኡ ድማ እግዚኣብሄር እዩ። 6 እምበኣርሲ ናብ ኣምላኽካ ተመለስ፣
ምሕረትን ፍርድን ሐሉ፣ ኵሉ ጊዜ ብኣምላኽካ ተስፋ ግበር። 7 ከንኣናዊ እዩ፣ ኣብ ኢዱ ሓሳዊ ሚዛን
ኣለዎ፣ ምጥዋይ ይፈቱ። 8 ኤፍሬም ከኣ፣ ኣነ ሀብተምኩ፣ ገንዘብ ኣጥሬኹ፣ ኣብ ኵሉ ጻዕረይ ሓጢኣት
ዚኸውን ኣበሳ ኣይርከበንን፣ በለ። 9 ኣነ ኻብ ሃገር ግብጺ ጀሚረ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ እየ፣ ከምቲ
ብመዓልቲ በዓል ከም ብሓድሽ ኣብ ድንኳናት ከንብረካ እየ። 10 ንነብያት ከኣ ተዛረብኩ፣ ራእይ ድማ
ኣብዛሕኩ፣ ብነብያት ገይረ ምስላታት ነገርኩ። 11 ጊልዓድ ዓመጻ እንተ ኾነ፣ ከንቱነት ጥራይ እዮም።
ኣብ ጊልጋል ዝራብዓት ይስውኡ፣ መሰውኢታቶም ከኣ ኣብ ነግሒ ግራት ከም እተኾመረ ኣእማን
ኪኸውን እዩ። 12 ያእቆብ ናብ ሃገር ኣራም ሀደመ፣ እስራኤል ድማ ምእንቲ ሰበይቲ ተገዝኤ፣ ምእንቲ
ሰበይቲ ኸኣ ጓሳ ኾነ። 13 ግናኸ እግዚኣብሄር ንእስራኤል ብኢድ ነብዩ ካብ ግብጺ ኣውጽኦ፣ ብኢድ
ነብዩ ኸኣ ሐለዎ። 14 ኤፍሬም ኣምሪሩ ኣቘጥዖ፣ ስለዚ ጐይታኡ ደሙ ኣብ ልዕሊኡ ኼውርደሉ፣
ጸርፉውን ኣብ ልዕሊኡ ኪመልሰሉ እዩ።

# ምዕራፍ 13

1 ኤፍሬም ምስ ዚዛረብ፣ ስምባድ ይኸውን ነበረ። ንሱ ኣብ እስራኤል ልዕል በለ፣ ንበዓል ብምግልጋሉ
ምስ በደለ ግና ሞተ። 2 ሕጂ ኸኣ እናወሰኹ ሓጢኣት ይገብሩ ኣለዉ። ንሳቶም ንርእሶም ከም
ምስትውዓሎም ገይሮም ጣኦታት፣ ብብሩሮም ፍሉስ ምስልታት፣ ይገብሩ ኣለዉ፣ ኵሎም ዕዮ
ብልሓተኛታት እዮም። ብዛዕባኦም ከኣ፣ እቶም ዚሰውኡ ሰባት ነቶም ብተያት ይሳለምዎም፣ ይብሉ። 3
ስለዚ ንሳቶም ከም ደበና ብጊሓት፣ ከምቲ ኣንጊሁ ዚዘፍፍ ኣውሊ፣ ከምቲ ካብ ዓውዲ ብንፋስ ዚብተን
ብቑቡቕ፣ ከምቲ ብመስኮት ዚወጽእ ትኪ ይኾኑ። 4 ግናኸ ኣነ ካብ ሃገር ግብጺ ጀሚረ እግዚኣብሄር
ኣምላኽካ እየ፣ ብጀካይ ካልእ ኣምላኽ ኣይትፈልጥን ኢኻ፣ ብጀካይ ድማ መድሓኒ የልቦን። 5 ኣነ ኣብ
ምድረ በዳ፣ ኣብ ምድሪ ኣጻምእ ፈለጥኩኻ። 6 ብመጠን መጓሰዩኦም ጸገቡ፣ ጸገቡ እሞ ልቦም ተዐበየ፣
ስለዚ ረስዑኒ። 7 ኣነ ድማ ከም ኣንበሳ ኾንክዎም፣ ከም ነብሪ ኸኣ ኣብ መገዲ ኤድቢ ኣሎኹ። 8
ኵረኾራ ኸም ዘግደፍዋ ድቢ ኾይነ ህሩጉ እብሎም፣ ነቲ መሸፈኒ ልቦም ከኣ እቕዶ፣ ኣብኡ ድማ ከም
ዋዕሮ እውሕጦም፣ ኣራዊት በረኻውን ይሰላልዕዎም። 9 ዎ እስራኤል፣ ንኣይ ንሓገዝካ ምጽራርካስ
ጥፍኣትካ እዩ። 10 ንጉስካ ኣብ ኵለን ከተማታትካ ኼድሕነካስ ኣበይ ኣሎ እቶም ብዛዕባኦም፣ ንጉስን
መሳፍንትን ሀበኒ፣ ዝበልካሎም ፈራዶኻኸ ኣበይ ኣለዉ 11 ብኹራይ ንጉስ ሀብኩኻ፣ ብቑጥዓይ ድማ
ከስዕሮ እየ። 12 ኣበሳ ኤፍሬም ተጠሚሩ፣ ሓጢኣቱ ተነቢሩ ኣሎ። 13 ከም እትሐርስ ሰበይቲ ቕልውላው
ይመጾ፣ ጊዜ ምስ በጽሔ፣ ንምላድ ኣይቀርብን እዩ እሞ፣ ዘይለባም ወዲ እዩ። 14 ካብ ኢድ ሲኦል
ኤድሕኖም፣ ካብ ሞት እብጆዎም። ኣታ ሞት፣ ፌራኻ ኣበይ ኣሎ ኣታ ሲኦል፣ ጥፍኣትካ ኣበይ ኣሎ ጣዕሳ
ካብ ኣዒንተይ ተሐብኤት። 15 ኣብ ማእከል ኣሕዋቱ ፍረ ይፈሪ፣ ንፋስ ምብራቕ፣ እቲ ካብ ምድረ በዳ
ዚወጽእ ንፋስ እግዚኣብሄር ይመጽእ፣ ዓይኒ ማያቱ ኸኣ ይነቅጽ፣ ወሓዚታቱውን ይነጽፍ፣ ዕቋሩን ኵሉ
ኽቡር ኣቓሑኡን ንሱ ይዘምቶ። 16 ሰማርያ ኻብ ኣምላኽ ኸዲዓ እያ እሞ፣ ብበደላ ትቕጻዕ፣ ብሰይፊ
ይወድቁ፣ ሕጻናቶም ይጭፍለቑ፣ ጥኑሳት ኣንስቶም ከኣ ይቕደዳ።

# ምዕራፍ 14

1 ዎ እስራኤል፣ ብኣበሳኻ ወዲቕካ ኢኻ እሞ፣ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ተመለስ። 2 ምሳኻትኩም
ቃላት ውሰዱ፣ ናብ እግዚኣብሄር ድማ ተመለሱ እሞ፣ ኵሉ ኣበሳና ይቕረ በለልና፣ ሰናይ ከኣ ተቐበል፣
ንሕናውን ኣብ ክንዲ ኣሩሕ መስዋእቲ ኸናፍርና ኸነቕርብ ኢና፣ በልዎ። 3 እቲ ዘኽታም ኣባኻ ምሕረት
ይረክብ እዩ እሞ፣ ኣሶር ኣየድሕነናን፣ ኣብ ኣፍራስ ኣይንውጣሕን፣ ድሕርዚውን ንዕዮ ኣእዳውና
ኣምላኽና ኣይክንብሎን ኢና። 4 ኵራይ ካብኡ ተመሊሱ እዩ እሞ፣ ኣነ ንጥልመቶም ከሕዊ፣ ኣነ ብልቢ
ኽፍቅሮም እየ። 5 ኣነ ንእስራኤል ከም ኣውሊ እኾኖ፣ ንሱ ኸም ዕምባባ ይዕምብብ፣ ከም ሊባኖስ ከኣ
ሰረውሩ ይሰድድ። 6 ጨናፍሩ ይዝርጋሕ፣ ምጽባቑ ኸም ኣውልዕ፣ መኣዛኡ ድማ ከም ሊባኖስ ይኸውን።
7 እቶም ኣብ ትሕቲ ጽላሉ ዚነብሩ ይምለሱ፣ ብስርናይ ይብርትዑ፣ ከም ተኽሊ ወይኒ ይዕምብቡ፣
መዘከርታኡ ኸም ወይኒ ሊባኖስ እዩ። 8 ዎ ኤፍሬም፣ ደጊምከ ኣነ ምስ ጣኦታት እንታይ ኣሎኒ ኣነ
ሰማዕክዎ፣ ናብኡ ድማ ክጥምት እየ። ከም ዝለምዔ ጽሕዲ እየ፣ ፍሬኻ ካባይ እዩ ዚመጽእ። 9 መገዲ
እግዚኣብሄር ቅኑዕ እዩ፣ ጻድቃን ይመላለሱሉ፣ መፍረስቲ ግና ኣብኡ ይወድቁ እዮም እሞ፣ ነዚ
ዜስተውዕሎስ ኣየናይ ጥበበኛ እዩ ዚፈልጦኸ ኣየናይ ለባም እዩ

# ትንቢት ዮኤል

## ምዕራፍ 1

[1] ንዮኤል ወዲ ጴቱኤል ዝመጾ ቓል እግዚኣብሄር እዚ እዩ፣ [2] ኣቱም ኣረገውቲ፣ እዚ ስምዑ፣ ኣቱም ኣብ
ሃገር እትነብሩ ዅላትኩምውን፣ ኣእዛንኩም ጽን ይበል። ብዘመንኩም ወይስ ብዘመን ኣቦታትኩም ከምዚ
ዝበለዶ ዅይኑ እዩ [3] እዚ ንደቅኹም ኣዘንትዉሎም፣ ደቅኹም ከኣ ንደቆም፣ ደቆምውን ነቲ ዳሕራይ
ወለዶ የዘንትዉሎም። [4] ካብ ኵብኵብታ ዝተረፈ ኣንበጣ በልዖ፣ካብ ኣንበጣ ዝተረፈ ኸኣ ጐደበ በልዖ፣
ካብ ጐደበ ዝተረፈ ድማ ሓሰኻ በልዖ። [5] ኣቱም ሰኸርቲ ንቕሑን ብኸዩን፣ ኣቱም ሰተይቲ ወይኒ
ዅልኻትኩም፣ እቲ ኹልዒ ወይኒ ኻብ ኣፍኩም ተወሲዱ እዩ እሞ፣ ዋይዋይ በሉ። [6] ቊጽሪ ዜብሉ
ሓያል ህዝቢ ናብ ሃገረይ ደየበ፣ ኣስናኑ ኣስናን ኣንበሳ እዩ፣ ከም ናይ ዋዕሮ ዝበለ ምንጋጋ ኸኣ ኣለዎ። [7]
ንተኽሊ ወይነይ ኣባደማ፣ ንኣም በለሰይ ፈሐቖ፣ ብጥራስ ቀንጠጦ፣ ደርበዮ፣ ጨናፍሩውን ጻዕደወ። [8]
ከምታ ከሊ ተዐጢቓ ንሔማኣ እትበኽየሉ ድንግል ብኸዩ። [9] መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ መስተን ካብ
ቤት እግዚኣብሄር ጠፍኤ፣ እቶም ካህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ይሐዝኑ ኣለዉ። [10] እኽሊ በሪሱ፣
ኵልዒ ወይኒ ነቒጹ፣ ዘይቲውን ቀምሲሉ እዩ እሞ፣ እታ ሃገር ባዲማ፣ ምድሪውን ትሐዝን ኣላ። [11]
እቶት ግራሁ ጠፊኡ እዩ እሞ፣ ኣቱም ሓረስቶት፣ ብምኽንያት ስርናይን ስገምን ሕነኹ፣ ኣቱም ሰብ
ኣታኽልቲ ወይኒውን፣ ዋይዋይ በሉ። [12] ተኽሊ ወይኒ ነቒጸ፣ ኦም በለስ ከኣ ቀምሰለ፣ ኦም ሮማንን ስየን
ቱፋሕን ኵሉ ኣእዋም መሮርን ነቒጸ፣ እወ፣ ሓጐስ ካብ ደቂ ሰብ ነቒጸ። [13] መስዋእቲ ብልዕን መስዋእቲ
መስተን ካብ ቤት ኣምላኽኩም ተኸልኪሉ እዩ እሞ፣ ኣቱም ካህናት፣ ተዐጠቑን ብኸዩን፣ ኣቱም
ኣገልገልቲ መሰውኢ፣ ዋይዋይ በሉ፣ ኣቱም ኣገልገልቲ ኣምላኸይ ንዑ፣ ከሊ ተኸዲንኩም ሕደሩ። [14]
ጾም ቀድሱ፣ ኣኼባ ጸውዑ፣ ንዓበይትን ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዅላቶምን ናብ ቤት እግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ኣክቡ፣ ናብ እግዚኣብሄር ከኣ ተማህለሉ። [15] መዓልቲ እግዚኣብሄር ቀሪባ ኣላ፣ ካብቲ ዅሉ
ዚኽእልውን ከም መጥፍኢ ኹይና ኽትመጽእ እያ እሞ፣ ኣየ፣ እዛ መዓልቲ እዚኣ። [16] ግምቢ ኻብ
ቅድሚ ዓይንና፣ ሓጐስን ደስታን ከኣ ካብ ቤት ኣምላኽናዶ ተወሲዱ ኣይኰነን [17] እቲ ዘርኢ ኣብ ትሕቲ
ድንኵሉ መሽመሸ ፣ እኽሊ ሀጒጉ እዩ እሞ ቈፋፉ ባዶ ኰነ፣ መዓኽንውን ፈረሰ። [18] ኣየ፣ እንስሳታት ዓዕ
ይብሉ። እተን መጓሰ ኣሓ ዚጓሰያሉ ስለ ዝሰኣና ቓህመማ፣ መጓሰ ኣባጊዕ ድማ ይስቀያ ኣለዋ። [19] ነቲ ኣብ
በረኻ ዘሎ መጓሰይስ ሓዊ በሊዕዎ፣ ንዅሉ ኣእዋም መሮር ከኣ ሃልሃልታ ሞኽ ኣቢልዎ እዩ እሞ፣ ዎ
እግዚኣብሄር፣ ኣባኻ ኤእዊ ኣሎኹ። [20] ወሓዚ ማያት ነጺፉ፣ ነቲ መጓሰዪ በረኻ ድማ ሓዊ በሊዕዎ እዩ
እሞ፣ እንስሳ መሮርውን ናባኻ የእውዩ ኣለዉ።

## ምዕራፍ 2

[1] መዓልቲ እግዚኣብሄር ትመጽእ ኣላ፣ ቀሪባ ኸኣ እያ እሞ፣ ኣብ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፣ ኣብ ቅዱስ
ከረነይ ድማ ኣእውዩ፣ ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዘለዉ ዅላቶም የንቀጥቅጡ። [2] መዓልቲ ጸልማትን ጣቓን፣
መዓልቲ ደበናን ድቕድቕ ጸልማትን ከም ወጋሕታ ኣብ ልዕሊ ኣኽራን ይዝርጋሕ። ዓብይን ሓያልን
ህዝቢ፣ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ኸምኡ ዝበለ ዘይነበረ፣ ድሕሪኡውን ክሳዕ ዓመታት ወለዶ ዚሐልፍ ከቶ

ዘይኸውን። [3] ኣብ ቅድሚኡ ሓዊ ይበልዕ፣ ኣብ ድሕሪኡ ሃልሃልታ ሞዅ የብል። እታ ሃገር ኣብ ቅድሚኡ
ኸም ገነት፣ ኣብ ድሕሪኡ ኸኣ ጸምጸም በረኻ እያ፣ ካብኡ ዜምልጥውን የልቦን። [4] ትርኢቶም ከም
ትርኢት ኣፍራስ እዩ፣ ከም ፈረሰኛታት ይጕዩ። [5] ከምቲ ኣብ ርእሲ ኣኽራን ድዋዕዋዕ ዚብል ሰረገላታት፣
ከምቲ ሓሰር ኪውሕጥ ከሎ ጥዋዕዋዕ ዚብል ሃልሃልታ ሓዊ፣ ከምቲ ንውግእ እተሰለፈ ሓያል ህዝቢ
ይዘሉ። [6] ኣብ ቅድሚኦም ህዝብታት ይጭነቑ፣ኵሉ ገጽ ይጽልም። [7] ከም ጅጋኑ ይጕዩ፣ ከም ዚዋግኡ ሰብ
ናብ ቀጽሪ ይድይቡ፣ ነፍሲ ወከፍ በብጐደናኡ ይሐልፍ ካብ መገዶም ኸኣ ኣየግልሱን። [8] ንብጻዩ ዚደፍእ
የልቦን፣ ነፍሲ ወከፍ በብመገዱ ይሐልፍ፣ ናብ ማእከል ኣጽዋር ይኣትዉ ኣይቈስሉን ከኣ። [9] ናብታ
ኸተማ ይወሩ፣ ኣብ ቀጽሪ ይጕዩ፣ ናብ ኣባይቲ ይድይቡ፣ ከም ሰራቒ ብመሳኹቲ ይኣትዉ። [10] ምድሪ
ኣብ ቅድሚኦም ራዕራዕ ትብል፣ ሰማያት የንቀጥቅጥ፣ ጸሓይን ወርሕን ይጽልምታ፣ ከዋኽብቲ ከኣ
ብርሃኖም ይኽውሉ። [11] ሰፈር ሰራዊቱ ኣዝዩ ዓብዪ እዩ፣ እቲ ንቓሉ ዚፍጽም ከኣ ሓያል እዩ፣
እግዚኣብሄር ኣብ ቅድሚ ሰራዊቱ ድምጺ የስምዕ። እወ፣ መዓልቲ እግዚኣብሄር ዓባይን ኣዝያ እተፍርህን
ኢያ፣ መንከ ኺጽመማ ይኽእል፣ [12] እምብኣርሲ ሕጂውን ብጾምን ብብኽያትን ብቚዝማን ብምሉእ
ልብኹም ናባይ ተመለሱ፣ ይብል እግዚኣብሄር። [13] ንሱ ንኹራ ደንጓዪ፣ብሳህሊ ኸኣ ምሉእ፣ ብእከይ
ድማ ተጣዓሳይ፣ ርሕሩሕን መሓርን እዩ እሞ፣ክዳንኩም ኣይኰነን ልብኹም ደኣ ቕደዱ፣ ናብ
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩምውን ተመለሱ። [14] ተጣዒሱ ዚምለስ እንተ ኾነ፣ ድሕሪኡ ድማ ንእግዚኣብሄር
ኣምላኽኩም ብመስዋእቲ ብልዕን ብመስዋእቲ መስተን በረኸት ዚሐድግ እንተ ኾነ፣ መን ይፈልጥ [15]
ኣብ ጽዮን መለኸት ንፍሑ፣ ጾም ቀድሱ፣ ኣኼባ ጸውዑ። [16] ህዝቢ ኣክቡ፣ ማሕበር ቀድሱ፣ ኣረገውቲ
ኣክቡ፣ ቈልዑን ጡብ ዝጠብዉን ኣክቡ። መርዓዊ ኻብ ቤቱ ይውጻእ፣ መርዓት ከኣ ካብ ሕልፍኻ። [17]
እቶም ካህናት ኣገልገልቲ እግዚኣብሄር ኣብ መንጎ ኣዳራሽን መሰውእን ይብከዩ ይበሉውን፣ ዎ
እግዚኣብሄር ንህዝብኻ ንሐፎ፣ ነቲ ርስትኻ፣ ኣህዛብ ኪገዝእዎ ኢልካ፣ ንመላገጺ ኣሕሊፍካ ኣይትሀቦ።
ስለምንታይከ ኣብ ኣህዛብ፣ ኣምላኾም ኣበይ ኣሎ፣ ዚበሀል [18] እግዚኣብሄር ንሃገሩ ቐንኤ፣ ንህዝቡ ኸኣ
ራሕርሔ። [19] እግዚኣብሄር ንህዝቡ መለሰሉ በሎውን፣ እንሆ፣ ኣነ፣ እኽልን ወይን ዘይትን ክሰደልኩም
እየ፣ ብእኡ ኸኣ ክትጸግቡ ኢኹም፣ ድሕርዚ ኣብ ማእከል ህዝብታት መላገጺ ኣይክገብረኩምን እየ። [20]
ነቲ ሰሜናዊ ካባኻትኩም ከርሕቖ፣ ናብ ደረቕን ዝፀነወን ባሕሪ፣ ዝባኑ ኸኣ ናብ ምዕራባዊ ባሕሪ እዩ
ዓብዪ ነገር ገይሩ እዩ እሞ፣ ምብድባዱ ኺወጽእ፣ ምምሽማሹ ድማ ኪድይብ እዩ። [21] ኣቲ ሃገር
እግዚኣቢሄር ዓብዪ ነገር ገይሩ እዩ እሞ ኣይትፍርሂ፣ ተሐጐሲ ባህውን ይበልኪ። [22] እቲ እንስሳ መሮር፣
እቲ መጓሰዪ በረኻ ለምሊሙ፣ ኦም ፍሪኡ ይፈሪ፣ ኦም በለስን ተኽሊ ወይንን ከኣ ሓይሉ ይህብ ኣሎ
እሞ፣ ኣይትፍርሁ። [23] ኣቱም ደቂ ጽዮን፣ ዝናም ጽድያ ብልክዕ ይህበኩም፣ ዝናም ጽድያን ጽብሓትን
ከም ቀደሙ የውርደልኩም ኣሎ እሞ፣ ተሐጐሱ ብእግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ባህ ይበልኩም። [24]
ኣዕውዲ ኸኣ እኽሊ ኺመልእ፣ መጽመቕታትውን ወይንን ዘይትን ኪጅርብብ እዩ። [25] ኣነ ኸኣ ኣቶም
ኣንበጣን ኵብኵብታን ጐደበን ሓሰኻን፣ ኣባኻትኩም ዝሰደድክዎ ዓብዪ ሰራዊተይ ዝበልዔን ዓመታት
ክኽሕሰኩም እየ [26] መብልዕ ክትበልዑ ክትጸግቡውን ኢኹም፣ ነቲ ተኣምራት ዝገበረልኩም ስም
እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ድማ ከተመስግንዎ ኢኹም። ህዝበይውን ንዘለኣለም ኣይሐንኽን። [27] ኣነ ኣብ
ማእከል እስራኤል ከም ዘሎኹ፣ ኣነ ኸኣ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝኾንኩ፣ ብጃካይ ድማ ካልእ
ከም ዜልቦ ኽትፈልጡ ኢኹም፣ ህዝበይውን ንዘለኣለም ኣይሐንኽን። [28] ብድሕርዚ ኪኸውን እዩ፣
መንፈሰይ ናብ ልዕሊ ዅሉ ስጋ ክኸዑ እየ፣ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኪንበዩ፣ ኣረገውትኹም
ሕልሚ ኪሐልሙ፣ ኣጕባዝኩም ከኣ ራእይ ኪርእዩ እዮም። [29] በተን መዓልታት እቲኤንሲ ኣብ ሰብኡትን

ኣንስትን ባሮት እኳ መንፈሰይ ክኸዑ እየ። [30] ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ከኣ ተኣምራት፣ ደምን ሓውን
ኣዕኑድ ትክን፣ ከርኢ እየ። [31] እታ ዓባይን መፍርሂትን መዓልቲ እግዚኣብሄር ከይመጸት፣ ጸሓይ ኣብ
ጸልማት፣ ወርሒ ድማ ኣብ ደም ትልወጥ። [32] ኪኸውን ከኣ እዩ፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝበሎ፣ ኣብ ከረን
ጽዮንን ኣብ የሩሳሌምን ኣብቶም እግዚኣብሄር ዚጽውዖም ተረፍን ምድሓን ኪኸውን እዩ እሞ: ስም
እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኹሉ ኺድሕን እዩ።

# ምዕራፍ 3

[1] እንሆ ኸኣ፣ በተን መዓልታት እቲኤንን በቲ ጊዜ እትንን ንይሁዳን ንየሩሳሌምን ካብ ምርኮ ምስ
መለስኩዎም፣ [2] ብዛዕባ ህዝበይን ብዛዕባ ርስተይ እስራኤልን ነቶም ፋሕ ዘበልዎም ንምድረይ ከኣ
እተማቐልዋ ኣህዛብ፣ ኣብኡ ምሳታቶም ንፍርዲ ኺኣቱስ፣ ንኹሎም ህዝብታት ክእክቦም፣ ናብ ለሰ
ዮሳፋጥ ከኣ ከውርዶም እየ። [3] ንህዝበይ ዕጭ ኣውድቐሉ፣ ነመንዝራ ሰበይቲ ዋጋኣ ቈልዓ ሀቡ፣ ጓል ድማ
ንወይኒ ሸጥዋ ሰተዩ ኸኣ። [4-6] ኣቱም ጢሮስን ሲዶናን ኵልኻትኩም ሃገር ፍልስጥኤምን፣ ምሳይ እንታይ
ኣሎኩም ብሩረይን ወርቀይን ወሲድኩም፣ ነቲ ዜብህግ ክቡር ኣቓሑይ ከኣ ናብ መቓድስኩም
ኣእቲኹም፣ ንደቂ ይሁዳን ንደቂ የሩሳሌምን ከኣ ካብ ዶቦም ከተርሕቕዎምሲ፣ ናብ ደቂ ዮናናውያን
ሼጥኩምዎም ኢኹም እሞ፣ ፍዳዶ ክትፈድዩኒ ኢኹም ምንም እኳ ፍዳ እንተ ፈዴኹምኒ፣ ኣነ ቐልጢፈ
ብድንገት ፍዳኹም ናብ ርእስኹም ክመልሰልኩም እየ። [7] እንሆ፣ ኣነ ኻብቲ ዝሸጥኩምዎም ስፍራ
ኸበግሶም እየ፣ ፍዳኹምውን ናብ ርእስኹም ክመልሰልኩም እየ። [8] ነወዳትኩምን ነዋልድኩምን ናብ
ኢድ ደቂ ይሁዳ ኽሸጦም እየ፣ ንሳቶምውን ናብቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ህዝቢ፣ ናብ ሰብ ሳባ ኺሸጥዎም
እዮም። እዚ እግዚኣብሄር ትዛሪብዎ እዩ። [9] እዚ ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣውጁ፣ ውግእ ኣዳልዉ፣ ነቶም
ጀጋኑ ኣንቅሕዎም፣ ኵሎም ተዋጋእቲ ይቕረቡ፣ ይውጽኡ። [10] ማሕረሻኹም ሰይፊ፣ ማዕጺድኩም ከኣ
ኲናት ስርሕዎ። እቲ ድኹም ድማ፣ ኣነ ጅግና እየ፣ ይበል። [11] ኣቱም ኣብ ከባቢ ዘሎኹም ኵልኹም
ህዝብታት፣ ቀልጥፉ፣ ንዑ ተኣከቡ። ዎ እግዚኣብሄር፣ ኣብኡ ጀጋኑኻ ኣውርዶም። [12] ኣነ ነቶም ኣብ ዙርያ
ዘለዉ ኹሎም ህዝብታት ክፈርድሲ፣ ኣብኡ ክቕመጥ እየ እሞ፣ እቶም ህዝብታት ይበገሱ፣ ናብ ለሰ
ዮሳፋጥ ይውጽኡ። [13] እከዮም ስለ ዝዐበየ፣ ቀውዒ በጺሑ እዩ እሞ፣ ማዕጺድ ስደዱ፣ እቲ መጽመቕ
መሊኡ፣ ኣጋንእ ከኣ ይጅርብብ ኣሎ እሞ፣ ንዑ ርገጹ። [14] መዓልቲ እግዚኣብሄር ኣብ ለሰ ምምዳብ ቀሪባ
እያ እሞ፣ ጭፍራ፣ ጭፍራ ኣብ ለሰ ምምዳብ። [15] ጸሓይን ወርሕን ይጽልማ፣ ከዋኽብቲ ድማ ብርሃኖም
ይሐብኡ። [16] እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን ይጓዝም፣ ድምጹ ኻብ የሩሳሌም የስምዕ፣ ሰማይን ምድርን ከኣ
የንቀጥቅጥ። ግናኸ እግዚኣብሄር ንህዝቡ መዕቈቢ፣ ንደቂ እስራኤል ድማ ዕርዲ እዩ። [17] ኣነ ኣብ ቅዱስ
ከረነይ ኣብ ጽዮን ዝነብር እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝኾንኩ፣ ክትፈልጡ ኢኹም። የሩሳሌም ከኣ
ቅድስቲ ኽትከውን እያ፣ ድሕርዚውን ጓኖት ኣይኪሐልፍዋን እዮም። [18] በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን
እዩ፣ ኣኽራን ኰልዒ ወይኒ ኪነትዑ፣ ኵርባታት ድማ ጸባ ኬውሕዙ፣ ካብ ኵሉ ርባታት ይሁዳ ኸኣ ማይ
ጃሕጃሕ ኪብል እዩ። ካብ ቤት እግዚኣብሄርውን ዓይኒ ማይ ኪፍልፍል፣ ንለሰ ሽጢም ድማ ኬስትያ
እዩ። [19] ኣብ ምድሮም ንጹህ ደም ከዕዮም እዮም እሞ፣ ብሰሪ እቲ ንደቂ ይሁዳ እተገብረ ዓመጻ፣ ግብጺ
ኽትባድም፣ ኤዶም ከኣ ጽምጽም በረኻ ኽትከውን እያ። [20] ይሁዳ ግና ንዘለኣለም ትነብር፣ የሩሳሌም ከኣ
ንውሉድ ወሎዶ። [21] ኣነ ድማ ነቲ ዘየጽሬኽዎ ደሞም ከጽርዮ እየ። እግዚኣብሄር ኣብ ጽዮን ኪነብር እዩ።

# ትንቢት ኣሞጽ

## ምዕራፍ 1

1 ቃላት ኣሞጽ፣ እቲ ኻብ ጓሶት ተቆዓ ዝነበረ፣ ብዘመን ኡዝያ ንጉስ ይሁዳን ብዘመን የሮብዓም፣ ወዲ
ዮኣስ ንጉስ እስራኤልን ቅድሚ እቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኽልተ ዓመት ብዛዕባ እስራኤል ዝረኣዮ። 2
በለውን፣ እግዚኣብሄር ካብ ጽዮን ይጓዝም፣ ካብ የሩሳሌም ከኣ ድምጹ የስምዕ። እቲ ጓሶት ዚጓስዩሉ
ይሐዝን፣ ርእሲ ቀርሜሎስ ድማ ይነቅጽ። 3 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ንጊልዓድ ብሓጺን መኼዳ
ኣኺዶምዋ እዮም እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ደማስቆ፣ ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ ደኣ፣ መዓተይ ካብኣ
ኣይክመልሰን እየ። 4 ኣነ ናብ ቤት ሃዛኤል ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ንኣደራሻት ቤን ሃዳድ ከኣ ሞኾ ኬብሎ
እዩ። 5 ንመሃርሃሪ ደማስቆ ኽሰብሮ፣ ነቶም ኣብኡ ዚነብሩ ድማ ካብ ለሰ ኣዌን፣ ነቲ ዘንጊ ዚሕዝ ከኣ
ካብ ቤት ኤድን ከጽንቶም እየ፣ ህዝቢ ሶርያውያን ተማሪኾ ናብ ቂር ኪኸይድ እዩ፣ ይብል
እግዚኣብሄር። 6 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ናብ ኢድ ኤዶም ኣሕሊፎም ኪህብዎምሲ፣ ንዅሎም
ምርኮ ማሪኾምዎም እዮ እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ጋዛ፣ ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ ደኣ፣ መዓተይ ካብኣ
ኣይኪመልሰን እየ። 7 ኣነ ናብ ቀጽሪ ጋዛ ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ንኣደራሻታ ኸኣ ሞኾ ኬብሎ እዩ። 8 ነቶም
ኣብኡ ዚነብሩ ኻብ ኣሽዶድ፣ ነቲ ዘንጊ ዝሕዝ ድማ ካብ ኣስቃሎን ከጽንቶም እየ፣ ኢደይ ኣብ ልዕሊ
ዔቅሮን ክመልስ እየ፣ እቶም ዝተረፉ ፍልስጥኤማውያን ከኣ ኪጠፍኡ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር
ኣምላኽ። 9 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ነቶም ምሩኻት ብሙልኣቶም ናብ ኢድ ኤዶም ኣሕሊፎም
ሂቦምዎም፣ ንኺዳን ኣሕዋት ከኣ ኣይዘከርዎን እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ጢሮስ፣ ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ ደኣ
መዓተይ ካብኣ ኣይክመልሰን እየ። 10 ኣነ ናብ ቀጽሪ ጢሮስ ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ነቲ ኣደራሻታ ኸኣ ሞኾ
ኬብሎ እዩ። 11 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ንሓዉ ብሰይፊ ሰጐጒዎስ፣ ኵሉ ምሕረት ከኣ ዐጽዩ፣
ኵራኡ ድማ ኵሉ ጊዜ ቐዳዲዱ፣ ነድሩውን ንሓዋሩ እዩ እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ኤዶም፣ ኤረ ስለ
ኣርባዕተ እኳ ደኣ፣ መዓተይ ካብኣ ኣይክመልሰን እየ። 12 ኣነ ናብ ቴማን ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ነቲ ኣደራሽ
ቦጽራ ኸኣ ሞኾ ኬብሎ እዩ። 13 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ዶቦም ምእንቲ ኼግፍሑስ፣ ነተን
ጥኑሳት ጊልዓድ ከብደን ቀዲዶምወን እዮም እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ደቂ ዓሞን፣ ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ
ደኣ፣ መዓተይ ካብኣ ኣይክመልሰን እየ። 14 ኣነ ኣብ ቀጽሪ ራባ ሓዊ ኽኣጉድ እየ፣ ነቲ ኣደራሻታ ኸኣ
ብመዓልቲ ውግእ ኣብ ማእከል ጭድርታ፣ ብመዓልቲ ህውከት ኣብ ማእከል ህቦብላ ሞኾ ኬብሎ እየ።
15 ንጉሶም ድማ፣ ንሱ ምስ መሳፍንቱ፣ ተማሪኹ ኪኸይድ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 2

1 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ነዕጽምቲ ንጉስ ኤዶም፣ ሓመኹስቲ ኽሳዕ ዚኸውን፣ ኣንዲድዎ እዩ
እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ሞኣብ፣ ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ ደኣ፣ መዓተይ ካብኣ ኣይክመልሰን እየ። 2 ኣነ ናብ
ሞኣብ ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ነቲ ኣደራሻት ቅርዮት ከኣ ሞኾ ኬብሎ እዩ። ሞኣብ ድማ ብዕግርግርን
ብጭድርታን ብደሃይ መለኸትን ክትመውት እያ። 3 ንፈራዲ ኻብ ማእከላ ኽጽንቶ፣ ንዅሎም መሳፍንታ
ኸኣ ክቐትሎም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 4 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ንሕጊ እግዚኣብሄር

ንዒቖምዎ፣ ንስርዓቱ ኸኣ ኣይሐለዉዎን፣ እቲ ኣቦታቶም ደድሕሪኡ ዝኸድዎ ሓሶቶም ኣስሒትዎም እዩ
እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን ይሁዳ፣ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ ደኣ፣ መዓተይ ካብኣ ኣይክመልሰን እየ። 5 ናብ
ይሁዳ ሓዊ ኽሰድድ እየ፣ ነቲ ኣደራሻት የሩሳሌም ከኣ ሞኾ ኬብሎ እዩ። 6 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ ነቲ ጻድቕ ብብሩር፣ ነቲ ድኻ ኸኣ ብሓንቲ ጽምዲ ሳእኒ ሸይጦምዎ እዮም እሞ፣ ስለ ሰለስተ ገበን
እስራኤል፣ ኤረ ስለ ኣርባዕተ እኳ ደኣ መዓተይ ካብኣ ኣይክመልሰን እየ። 7 ኣብ ርእሲ ድኻታት ተጐዳ
ምድሪ ኺርእዩ ይትምነዩ፣ ንመገዲ ትሑታት ይጠውይዎ፣ ነቲ ቅዱስ ስመይ ኬርክስዎ ድማ፣ ሰብኣይን
ኣቡኡን ናብ ሓንቲ ሰበይቲ ይኸዱ። 8 ኣብ ጥቓ ኹሉ መሰውኢታት ነቲ ብታሕዚ እተቐበልዎ ኽዳውንቲ
ኣንጺፎም ይድቅሱ፣ ናይ ካሕሳ ወይኒ ድማ ኣብ ቤት ኣምላኾም ይሰትዩ። 9 ግናኸ ኣነ ነቲ ቑመት ኸም
ቍመት ኦም ሊባኖስ፣ ምጽናዑ ድማ ኸም ኣውሒ ዝነበረ ኣሞራዊ ኣብ ቅድሚኦም ኣጥፋእክዎ።
ንፍሬኡ ኻብ ላዕሊ፣ ንሰራውሩ ኸኣ ካብ ታሕቲ ኣጥፋእክዎ። 10 ካብ ሃገር ግብጺ ዘውጻእኩኹም ኣነ
እየ፣ ሃገር ኣሞራዊ ኽትወርሱ ድማ፣ ኣብ በረኻ ኣርብዓ ዓመት መራሕኩኹም። 11 ካብ ደቅኹም
ነብያት፣ ካብ ኣጒባዝኩም ከኣ ናዝራውያን ኣተንሳእኩ። ኣቱም ደቂ እስራኤል፣ ከምኡዶ ኣይኰነን ይብል
እግዚኣብሄር። 12 ንስኻትኩም ግና ነቶም ናዝራውያን ወይኒ ኣስቴኹምዎም፣ ንነብያት ከኣ፣ ኣይትነበዩ
ኢልኩም ኣዘዝኩምዎም። 13 ከምቲ እንዳእቲ ዝመልኤት ዓረብያ እትስግድ፣ እንሆ፣ ኣነ ኸስግደኩም እየ።
14 ጐያዪ ምህዳም ይስእን፣ እቲ ብርቱዕ ድማ ምብርታዑ ኣየበርትዖን፣ እቲ ጅግና ኸኣ ነፍሱ ኣየድሕንን።
15 ብዓል መንትግ ድማ ደው ኣይብልን፣ ብዓል ቅልጡፍ እግሪ ኸኣ ኣየምልጥን፣ ፈረሰኛውን ነፍሱ
ኣየድሕንን። 16 በታ መዓልቲ እቲኣስ ካብቶም ጀጋኑ እቲ ኣዝዩ ተባዕ እኳ ጥራዩ ይሃድም፣ ይብል
እግዚኣብሄር።

# ምዕራፍ 3

1 ኣቱም ደቂ እስራኤል፣ ነቲ ኣንጻርኩም፣ ኣንጻር እቲ ኣነ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጻእክዎ ኹሉ ዓሌት፣
እዚ እግዚኣብሄር ዚዛረቦ ዘሎ ቓል፣ ስምዑ። ከምዚ ይብል ኣሎ፤ 2 ኣነ ካብ ኵሎም ዓሌታት ምድሪ
ንኣኻትኩም ንበይንኹም ፈለጥኩኹም፣ ስለዚ ብሰሪ ኣበሳኹም ክቐጽዓኩም እየ። 3 ክልተ ሰብ እንተ
ዘይተሳማምዑስ፣ ብሓደዶ ይመላለሱ እዮም 4 ኣንበሳኸ ግዳይ እንተ ዜብሉዶ ኣብ ዱር ይጓዝም እዩ ሽደን
ኣንበሳስ ገለ ኽይሐዘዶ ኻብ ጉድጓዱ የድሂ እዩ 5 ዑፍከ ዜፈንጥራ ኣብ ዜብሉስ ኣብ ምድሪዶ
ብመፈንጠራ ትተሐዝ እያ መፈንጠራዶኸ ገለ ኽይሐዘ ኻብ ምድሪ ይለዐል እዩ 6 መለኸት ኣብ ከተማ
ተነፊሑስ፣ ህዝቢዶ ኣይፈርህን እዩ እግዚኣብሄር ከይገብሮኸ ንኸተማዶ ኽፉእ ይወርዳ እዩ 7
እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ ምስጢሩ ንባሮቱ ነብያት ከይገለጸሎም፣ ገለ እኳ ኣይገብርን እዩ። 8 ኣንበሳ
ጓዚሙስ መን እዩ ዘይፈርህ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ተዛሪቡኸ መን እዩ ዘይንበ 9 ኣብ ኣዳራሻት እሽዶድን
ኣብ ኣዳራሻት ሃገር ግብጽን ከኣ፣ ኣብ ርእሲ ኣኽራን ሰማርያ ተኣከቡ፣ ነቲ ኣብ ማእከላ ዘሎ ዓብዪ
ዕግርግርን ነቲ ኣብ ውሽጣ ዘሎ ዓመጻን ጠምቱ፣ ኢልኩም ኣውጁ። 10 እቶም ኣብ ኣዳራሻቶም ዓመጻን
ዘረፋን ዚድልቡ ቕኑዕ ምግባር ኣይፈልጡን እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር። 11 ስለዚ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፣ ጸላኢ ኣብ ዙርያ እታ ሃገር ኣሎ፣ ንሱ ንሓይልኺ ኻባኺ የውርድ፣ ኣዳራሻትኪውን ይብዝበዝ፣
ይብል ኣሎ። 12 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ጓሳ ካብ ኣፍ ኣንበሳ ኽልተ እግሪ ወይስ ሓንቲ ጭራም
እዝኒ ኸም ዜድሕን፣ ከምኡ እቶም ኣብ ሰማርያ ኣብ ኵርናዕ ዓራትን ኣብ ምንጻፍ ደማስቆን ተቐሚጦም
ዘለዉ ደቂ እስራኤል ኪድሕኑ እዮም። 13 ስምዑ፣ ኣንጻር ቤት ያእቆብ ከኣ መስክሩ፣ ይብል እግዚኣብሄር

ኣምላኽ፣ ኣምላኽ ሰራዊት። [14] በታ ኣነ ንእስራኤል ብሰሪ ምግሃሱ ዝቐጽዓላ መዓልትስ ንመሰውኢታት
ቤትኤልውን ክቐጽዖ እየ። እቲ ኣቕርንቲ መሰውኢ ኪቍረጽን ኣብ ምድሪ ኺወድቕን እዩ። [15] ንቤት
ክረምትን ንቤት ሓጋይን ክወቕዔን እየ፣ እቲ ብስኒ ሓርማዝ እተሰርሖ ኣባይቲ ኺጠፍእ፣ እቲ ዓበይቲ
ኣባይቲውን ኪድምሰስ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 4

[1] ኣትን ኣብ ከረን ሰማርያ እትነብራ ኣሓ ባሳን፣ ንድኻታት እትጠቕዓ ንመስኪን ከኣ እተጨንቓ፣
ንጐይተትክን፣ ኣምጽኡ፣ ንስተ፣ እትብላ፣ እዚ ቓል እዚ ስምዓ፣ [2] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብቕድስናኡ
መሓለ፣ እንሆ፣ እተን ንስኻትክን ብዓንቃሪቦ፣ እቶም ካባኻን ዝተረፉ ድማ ብመቝለብ ዓሳ እትስሐባለን
መዓልትታት ኪመጻኽን እየን። [3] ንስኻትክን ነፍሲ ወከፍክን በቲ ፍሩስትኽ ኢልክን ኣብ ቀቅድሜኽን
ክትወጻ፣ ናብ ሃርሞን ከኣ ክትድርበያ ኢኽን፣ ይብል እግዚኣብሄር። [4] ናብ ቤትኤል ንዑ እሞ ኣብሱ፣ ናብ
ጊልጋልውን ኣበሳ ኣብዝሑ። ንግሆ መስዋእትኹም፣ ኣብ ሰሳልስቲ ኸኣ ዕሽርኩም ኣቕርቡ። [5] ኣቱም ደቂ
እስራኤል፣ ከምዚ ኽትገብሩ ፈቲኹም ኢኹም እሞ፣ መስዋእቲ ምስጋና ኻብ ዝበኾዔ ኣቕርቡ፣ ናይ
ፍቓድ ህያብ ከኣ ኣውጁ ኣውርዩውን፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [6] ኣነ ድማ ኣብ ኵለን
ከተማታትኩም ጽሩይ ስኒ ሀብኩኹም፣ ኣብ ኵለን ስፍራታትኩም ከኣ እንጌራ ኣስኣንኩኹም፣
ንስኻትኩም ግና ናባይ ኣይተመለስኩምን፣ ይብል እግዚኣብሄር። [7] ኣነውን ንዓጺድ ገና ሰለስተ ወርሒ
ተሪፍዋ ኸሎ፣ ዝናም ከላእኩኹም። ኣብታ ሓንቲ ኸተማ ኣዝነምኩ፣ ኣብታ ሓንቲ ኸተማ ግና
ኣየዝነምኩን። ኣብታ ሓንቲ ኽፍሊ ዘነመ፣ እታ ዘይዘነማ ኽፍሊ ሀጐጐት። [8] ክልተ፣ ሰለስተ ኸተማ ድማ
ማይ ኪሰትያ ናብ ሓንቲ ኸተማ ኸዳ እሞ ኣይረወያን። ንስኻትኩም ግና ናባይ ኣይተመለስኩምን፣
ይብል እግዚኣብሄር። [9] ብሃጉን ብዋግን ወቓዕኩኹም፣ ነቲ ብዙሕ ኣታኽልትኹምን ኣታኽልቲ
ወይንኹምን በለሳውትኹምን ኣዋልዕኩምን ኣንበጣ በልዖ። ንስኻትኩም ግና ናባይ ኣይተመለስኩምን፣
ይብል እግዚኣብሄር። [10] ኣነ፣ ከምቲ ኣብ ግብጺ ዝኾነ፣ ፌራ ሰደድኩልኩም፣ ነጕባዝኩም ብሰይፊ
ቐተልክዎም፣ ነፍራስኩም ማረኽክዎም፣ ነቲ ናይ ሰፈርኩም ብድብድ ናብ ኣፍንጫኹም ኣደየብክዎ፣
ንስካትኩም ግና ናባይ ኣይተመለስኩምን፣ ይብል እግዚኣብሄር። [11] ከምቲ እግዚኣብሄር ንሶዶምን ጎሞራን
ዝገልበጠን፣ ገልበጥኩኹም፣ ንስኻትኩም ከኣ ካብ ሓዊ ኸም እተመንጠለ እያድ ኰንኩም። ግናኸ
ንስኻትኩምሲ ናባይ ኣይተመለስኩምን፣ ይብል እግዚኣብሄር። [12] ስለዚ ኣታ እስራኤል፣ ከምዚ ኽገብረካ
እየ። እዚ ኽገብረካ እየ እሞ፣ ኣታ እስራኤል፣ ንኣምላኽካ ኽትቃባበል ተዳሎ። [13] እንሆ፣ እቲ ኣኽራን
ዚሰርሕ፣ ንፋስ ከኣ ዚፈጥር፣ ንሰብ ድማ ሓሳቡ እንታይ ከም ዝኾነ ዚፈልጥ፣ እቲ ንወጋሕታ ጸልማት
ዚገብር፣ ኣብቲ ልዕል ዝበለ ቦታታት ምድሪውን ዚረግጽ፣ ስሙ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት እዩ።

## ምዕራፍ 5

[1] ኣቱም ቤት እስራኤል፣ እዚ ኣብ ልዕልኹም ዝቘዝሞ ዘሎኹ ቓል ስምዑ፣ [2] እታ ድንግል እስራኤል
ወዲቓ፣ ደጊም ኣይትትንስእን፣ ኣብ ምድሪ ጻሕ ኢላ ኣላ፣ ዜተንስኣ ድማ የልቦን። [3] ስለዚ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ፣ እታ ሽሕ ዚወጽዋ ኸተማ ሚእቲ ይተርፍዋ፣ እታ ሚእቲ ዚወጽዋ ኸኣ ንቤት እስራኤል
ዓሰርተ ይተርፍዋ ይብል ኣሎ። [4] ስለዚ እግዚኣብሄር ንቤት እስራኤል ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ድለዩኒ እሞ

ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም። 5 ጊልጋል ብርግጽ ክትማረኽ፣ ቤትኤል ድማ ከንቱ ኽትከውን እያ እሞ፣
ንቤትኤል ኣይትድለዩ፣ ናብ ጊልጋል ከኣ ኣይትእተዉ፣ ናብ ብኤርሸባዕውን ኣይትሕለፉ። 6 ከም ሓዊ
ኾይኑ ናብ ቤት ዮሴፍ ህሩጉ ከይብል፣ ኣብ ቤትኤል ዜጥፍኦ ተሳኢኑ ኸኣ ሞኾ ከየብሎስ፣
ንእግዚኣብሄር ድለዩ፣ብህይወት ድማ ክትነብሩ ኢኹም፣ 7 ኣቱም ንፍርዲ ናብ ዕረ እትልውጥዎ፣ንጽድቂ
ኸኣ ናብ ምድሪ እትድርብይዎ፣ 8-9 እቲ ንሾብዓተ ኸዋኽብትን ንኦርዮንን ዝገበረ፣ ንድነ ሞት ናብ
ወጋሕታ ዚልውጦ ንመዓልቲ ኸኣ ግብ ዝበለ ለይቲ ዚገብሮ፣ ንማያት ባሕሪ ዚጽውዖ፣ ናብ ልዕሊ ገጽ
ምድሪ ድማ ዚኽዕዎ፣ ኣብ ልዕሊ ዕርዲ ጥፍኣት ኪመጽእስ፣ ነቲ ሓያል ብድንገት ጥፍኣት ዜውርደሉ፣
ስሙ እግዚኣብሄር እዩ እሞ ድለይዎ። 10 ነቲ ኣብ ደገ ዚገንሖ ይጸልእዎ፣ ነቲ ብቕንዕና ዚዛረብ ከኣ
ይፍንፍንዎ። 11 ንድኻ ስለ ዝረገጽኩምዎ፣ ነቲ ተሰኪምዎ ዝነበረ ሰርናይ ከኣ ስለ ዘግደፍኩምዎ፣ ብጽሩብ
ኣእማን ኣባይቲ ሰራሕኩም፣ ኣይከትነብርዎን ከኣ ኢኹም፣ ዜብህግ ኣታኽልቲ ወይኒ ተኸልኩም፣ወይኑ
ድማ ኣይክትሰትዩን ኢኹም። 12 ኣነስ ግህሰትኩም ብዙሕ፣ ሓጢኣትኩም ከኣ ብርቱዕ ከም ዝኾነ
እፈልጥ እየ። ነቲ ጻድቕ ተጻብቡሉ፣ ደርሆ ትቕበሉ፣ ነቲ መስኪን ኣብ ደገ ትገፍዕዎ ኣሎኹም። 13 ኽፉእ
ዘመን እዩ ኣሞ፣ ስለዚ እቲ ለባም በዚ ኽምዚ ዘመሰለ ዘመን ስቕ ይበል። 14 ብህይወት ክትነብሩስ፣ ሰናይ
ድለዩ፣እከይ ኣይኰነን።ከምኡ ኸኣ፣ ከምቲ ዝበልኩምዎ፣እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት ምሳኻትኩም
ኺኸውን እዩ። 15 እከይ ጽልኡ፣ ሰናይ ከኣ ኣፍቕሩ፣ ኣብ ደገውን ፍርዲ ኣጽንዑ፣ ምናልባሽ እግዚኣብሄር
ኣምላኽ ሰራዊት ነቲ ኻብ ዮሴፍ ዝተረፈ ኺርሕርሓሉ እዩ። 16 ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ እቲ
ጐይታ፣ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኣብ ኵሉ ኣደባባያት ኪቝዘም፣ ኣብ ኵሉ መገድታት ከኣ ዋይዋይ ኪበሀል
እዩ ንሓረስታይ ናብ ሓዘን ነቶም መልቀስ ዚኽእሉ ኸኣ ናብ ብኽያት ኪጽውዕዎም እዮም። 17
ብማእከልካ ኽሓልፍ እየ እሞ፣ ኣብ ኵሉ ኣታኽልቲ ወይኒ ብኽያት ኪኸውን እዩ፣ ይብል ኣግዚኣብሄር።
18 ኣቱም ንመዓልቲ ኣግዚኣብሄር እትደልዩ፣ ወይለኹም። መዓልቲ እግዚኣብሄር እንታይ ትጠቕመኩም፣
ንሳስ ጸልማት እያ፣ ብርሃን ኣይኰነትን። 19 ከምቲ ኻብ ቅድሚ ኣንበሳ ዚህድም እሞ ድቢ ዚጓንፎ፣
ከምቲ ናብ ቤት ኣትዩ ኢዱ ኣብ መንደቕ ዜጽግዕ እሞ ተመን ዚነኽሶ፣ 20 መዓልቲ ኣግዚኣብሄር
ጸልማትን ብርሃን ዜብላንዶ ኣይኰነትን፣ ድቕድቕ ጸልማትን ምንጽብራቕ ዜብላንዶኽ ኣይኰነትን፣ 21
ንበዓላትኩም ጸላእኩን ነዐቕኩን፣ ንኣኼባ በዓላትኩም ድማ ኣይሸትቶን። 22 መስዋእቲ ምሕራርን
መስዋእቲ ብልዕኹምን እንተ ኣቕረብኩምለይ እኳ፣ ኣይክቕበሎን እየ፣ ነቲ ናይ ስቡሕ ከብቲኹም
መስዋእቲ ምስጋናውን ቍሊሕ ኣይክብሎን እየ። 23 ደሃይ ቅኔታትካ ኻባይ ኣርሕቕ፣ ቃና መሰንቆታትካ
ኸአ ኣይሰምዕን እየ:: 24 ግናኸ ፍርዲ ኸም ማያት ፣ ጽድቂ ድማ ከም ዘይነጽፍ ርባ ይውሐዝ። 25 ኣቱም
ቤት እስራኤል፣ አርብዓ ዓመት ኣብ በረኻስ መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕንዶ ኣቕሪብኩምለይ
ኢኹም 26 ነቲ ድንኳን ሞሎኽኩምን ንምስልታት ጣኦታትኩምን ነቲ ንርእስኹም ዝገበርኩምዎ ኰኾብ
ኣምላኽኩምን ተሰከምኩም። 27 ስለዚ ንኽንየው ደማስቆ ኽማርኽኩም እየ፣ ይብል እቲ ኣምላኽ ሰራዊት
ዝስሙ እግዚአብሄር።

# ምዕራፍ 6

1 እቶም አብ ጽዮን ሀዲኦም፣ ኣብ ከረን ሰማርያ ድማ ተአሚኖም ዚነብሩ፣ ቤት እስራኤል ከአ
ዚኸድዎም ስሙያት ሓላቑ ኣህዛብ ወይለኦም። 2 ናብ ካልነ ሕለፉን ጠምቱን፣ ካብኡ ድማ ናብታ ዓባይ
ሃማት ኪዱ፣ ናብታ ናይ ፍልስጥኤማውያን ጋት ከአ ዉረዱ። ንሳተንዶ ኻብዘን መንግስትታን አዚኤን

ይበልጻ እየን፣ ወይስ ዶብንዶ ኻብ ዶብኩም ይገፍሕ እዩ [3] ንስኻትኩም ነታ ሕስምቲ መዓልቲ እተርሕቑ፣
ነታ መንበር ዓመጻ ኸኣ እተቕርቡ ኢኹም። [4] ኣብ ዓራት ስኒ ሓርማዝ ዚግምሰሱ፣ ኣብ መንጽፎም፣ ድማ
ዚጋደሙ፣ ካብ መጓሰ ኣባጊዕ ጥቦታውቲ፣ ካብ ደምበ ኣሓውን ኣባትይ ዚበልዑ፣ [5] ብደሃይ መሰንቆ
ዚደርፉ፣ ከም ዳዊት ድማ መሳርያ ሙዚክ ዜዳልዉ፣ [6] ብገፊሕ ዋንጫ ወይኒ ዚሰትዩ፣ ብሉጽ መኣዛ ኸኣ
ዚልከዩ፣ ብስብራት ዮሴፍ ግና ዘይጒህዩ እዮም። [7] ስለዚ ሕጂ ምስቶም ቅድም ዚማረኹ ኺማረኹ
እዮም፣ወኻዕታ እቶም ኣብ መኣዲ እተጋደሙ ድማ ኪውዳእ እዩ። [8] እግዚአብሄር ኣምላኽ ብርእሱ፣
ይብል እግዝአብሄር ኣምላኽ ሰራዊት፣ አነ ንትዕቢት ያእቆብ ፈንፊንኩ፣ ኣዳራሻቱ ኸኣ ጸላእኩ፣ ነታ
ኸተማውን ምስናይ እቶም አብኣ ዚነብሩ ኵላቶም ኣሕሊፈ ኽህባ እየ። [9] ኪኸውን ድማ እዩ፣ ኣብ ሓንቲ
ቤት ዓሰርተ ሰብ እኳ እንተ ተረፉ፣ ኪሞቱ እዮም። [10] ዘመዱ ምስቲ መንደዲ ነቲ ኣዕጽምቲ ኻብ ቤት
ኺውጽኦስ፣ እንተአልዐሎ ኣሞ፣ ነቲ ኣብ ውሽጢ ቤት ዘሎ፣ ገናዶ ገለ ሰብ ምሳኻ ኣሎ፣ እንተ በሎ፣ ንሱ
ኸኣ፣ ሓደ እኳ የልቦን፣ ኢሉ ይመልሰሉ፣ እቲ ድማ ስም እግዚአብሄር ክንሰሚ ኣይግብኣናን እዩ
ኣሞ፣ስቕ በል፣ ይብሎ። [11] እንሆ እግዚአብሄር ይእዝዝ ኣሎ ኣሞ፣ ኣታ ዓባይ ቤት ኽትፈርስ፣ እታ
ንእሽቶ ቤት ከኣ ክትጭፍለቕስ ኪውቕዓ እየን። [12] ንፍርዲ ናብ መርዚ፣ ንፍረ ጽድቂ ድማ ናብ ዕረ
ለዊጥኩምዎ ኢኹም እሞ፣ አፍራስዶ ኣብ ልዕሊ ኸውሒ ይጎዩ እዮም፣ ወይስ ኣብዑርዶ ኣብኡ ይሕረሱ
እዮም [13] ንስኻትኩም ብኸንቱ ነገር እትሕጎሱ። ብሓድይልናዶ ኣይኰንናን አቕርንቲ ዝወሰድና እትብሉ
ዘለኹም፣ [14] ኣቱም ቤት እስራኤል፣ ስለዚ እንሆ፣ ህዝቢ ኽተንስእልኩም እየ፣ ንሳቶም ከአ ካብቲ
መእተዊ ሃማት ኽሳዕ እቲ ውሒዝ ኣርባህ ከጨንቑኹም እዮም፣ ይብል እግዚአብሄር ኣምላኽ ሰራዊት።

# ምዕራፍ 7

[1] እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዚ ኣርኣየኒ፣ እንሆ፣ ንሱ ኣብ መጀመርታ እቲ ዳሕራይ ምጥጣዕ ኣንበጣ
ፈጠረ። እንሆ ኸኣ፣ እቲ ዳሕራይ ጠጥዒ ድሕሪ ዓጺድ ንጉስ ነበረ። [2] ኰነ ድማ፣ ነቲ ሳዕሪ ምድሪ
ብጥራስ ምስ በልዖ፣ ኣነ፣ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣ ያእቆብሲ ንእሽቶ እዩ እሞ፣ ከመይ ጌሩ ኪቐውም
እዩ በጃኻ ይቕረ በል፣ በልኩ። [3] እግዚኣብሄር በዚ ተጣዕሰ። እግዚኣብሄር፣ እዝስ ኣይከውንን እዩ፣ በለ።
[4] እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዚ ኣርኣየኒ፣ እንሆ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓዊ ኪቐጽዕስ ጸውዔ፣ ነቲ ዓብዪ
ዓሚቕ ሞኾ ኣበሎ፣ ነቲ ግደ ኸኣ በልዖ። [5] ኣነ ድማ፣ ኣታ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ያእቆብሲ ንእሽቶ እዩ
እሞ፣ ከመይ ጌሩ ኪቐውም እዩ በጃኻ ሕደግ፣ በልኩ። [6] እግዚኣብሄር በዚ ተጣዕሰ። እግዚኣብሄር
ኣምላኽ እዚውን ኣይኪኸውንን እዩ፣ በለ። [7] ንሱ እዚ ኣርኣየኒ፣ እንሆ፣ እግዚኣብሄር መለክዒ መንደቕ
ኣብ ኢዱ ሒዙ፣ ኣብ ልኩዕ መንደቕ ደው ኢሉ ነበረ። [8] እግዚኣብሄር ድማ፣ ኣታ ኣሞጽ፣ እንታይ ትርኢ
ኣሎኻ በለኒ። ኣነ ኸኣ፣ ሓደ መለክዒ መንደቕ በልኩ። እግዚኣብሄር ድማ፣ እንሆ፣ ኣነ ንመለክዒ መንደቕ
ኣብ ማእከል ህዝበይ እስራኤል ከንብሮ እየ፣ ደጊም ድሕርዚ ኣይኪሓልፎምን እየ። [9] እቲ በረኽቲ ቦታ
ይስሃቅ ኪፆኑ፣ እቲ መቓድስ እስራኤል ከኣ ኪፈርስ እዩ፣ ኣነውን ሰይፊ ሒዘ ንቤት የሮብዓም ክትንስኦ
እየ፣ በለ። [10-11] ሽዑ ኣማስያ ካህን ቤትኤል ናብ የሮብዓም ንጉስ እስራኤል ከምዚ ኢሉ ለኣኸ፣ ኣሞጽ
ኣብ ማእከል ቤት እስራኤል ተማሓሒሉልካ ኣሎ። ንሱ፣ የሮብዓም ብሰይፊ ኺመውት፣ እስራኤልውን
ካብ ሃገሩ ኪማረኽ እዩ፣ እዩ እሞ፣ እታ ሃገር ንኹሉ ቓላቱ ምጽዋር ስኢናቶ ኣላ። [12] ኣማስያስ ድማ
ንኣሞጽ፣ ኣታ ነብዪ፣ ኪድ፣ ናብ ሃገር ይሁዳ ህደም፣ ኣብኣ ኸኣ እንጌራኻ ብላዕ፣ ኣብኣውን ተነበ፣ [13]
ቤትኤል ግና መቕደስ ንጉስን ቤተ መንግስትን እያ እሞ፣ ደጊም ድሕርዚ ኣብኣ ኣይትነበ፣ በሎ። [14]

ኣሞጽ ከኣ ንኣማስያ መለሰሉ በሎውን፣ ኣነስ ጓሳ ኣሓን ኣራይ ዳዕሮን ነበርኩ እምበር፣ ነብዪ ወይስ ወዲ
ነብዪ ኣይኰንኩን። [15] መጓሰ ኣባጊዕ ክኽብክብ ከሎኹ፣ እግዚኣብሄር ወሰደኒ፣ ኪድ እሞ ንህዝበይ
እስራኤል ተነበየሉ፣ በለኒ። [16] እምብኣርሲ ቓል እግዚኣብሄር ስማዕ፣ ንስኻ፣ ኣንጻር እስራኤል ኣይተነበ፣
ኣንጻር ቤት ይስሃቅውን ኣይተንጠብጥብ፣ ትብል ኣሎኻ። [17] ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ሰበይትኻ ኣብታ ኸተማ ኣመንዝራ ኽትከውን እያ፣ ኣወዳትካን ኣዋልድካን ከኣ ብሰይፊ ኺወድቁ
እዮም፣ ምድርኻ ድማ ብገመድ ክትምቀል ኢያ፣ ንስኻውን ኣብ ርኽስቲ ሃገር ክትመውት ኢኻ፣
እስራኤል ከኣ ብርግጽ ካብ ሃገሩ ኪማረኽ እዩ።

## ምዕራፍ 8

[1] ኣምላኽ እዚ ኣርኣየኒ፣ እንሆ፣ኸኣ ብሱል ፍረ ዝመልኤ ኸፈር። [2] ንሱ ኸኣ፣ ኣሞጽ እንታይ ትርኢ
ኣሎኻ በለ፣ ኣነ ድማ፣ ብሱል ፍረ ዝመልኤ ኸፈር፣ በልኩ። እግዚኣብሄርውን፣ ንህዝበይ እስራኤል
መወዳእታ መጾም፣ ደጊም ድሕርዚ ኣይክሐልፎምን እየ፣ በለኒ። [3] በታ መዓልቲ እቲኣ ኸኣ መዝሙር
ኣዳራሽሲ ብኽያት ይኸውን፣ ሬሳታት ይበዝሑ፣ ኣብ ኵሉ ቦታ ድማ ብስቕታ ይድርበዩ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ። [4-6] ኣቱም ኤፋ እናኣንኣስና፣ ሲቃል እናወሰኽና: ብሓሳዊ ሚዛን እናጠበርና፣
እኽሊ ኽንሸይጥሲ፣ ሰርቂ ወርሒ መኣዝ ኰን ይሐልፍ ቆፎ ስርናይ ክንከፍትከ፣ ሰንበት መኣዝ ኰን
ትሐልፍ ነቲ ድኻ ብብሩር፣ ነቲ መስኪን ከኣ ብሓንቲ ጽምዲ ሳእኒ ኽንሻየጦ፣ ጕርዲ ስርናይውን
ክንሸይጥ ኢና፣ እትብሉ፣ ንስኻትኩም ነቲ መስኪን ክትውሕጥዎ፣ ነቶም ሽጉራት እታ ሃገርውን
ከተጥፍኡ እትደልዩ፣ እዚ ምስ ሰምዑ። [7] እግዚኣብሄር፣ ኣነ ንዅሉ ግብሮም ከቶ ኣይርስዖን እየ፣ ኢሉ
ብኽብሪ ያእቆብ መሐለ። [8] እታ ሃገር በዚ ምኽንያት ኣዚዶ ኣይተንቀጥቅጥን እቶም ኣብኡ ዝነብሩ
ኵላቶምከ ኣይሐዝኑንዶ ንሳ ብዘላ ኸምቲ ወሓዚ ኽትለዐል፣ ከምቲ ርባ ግብጺ ድማ በለቕ በለቕ
ክትብልን ለጠቕ ክትብልን እያ። [9] በታ መዓልቲ ኣቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፣
ቀትሪ ኸሎ ንጸሓይ ከዕርባ፣ ኣብ ድሙቕ መዓልቲውን ንምድሪ ኽጸልምታ እየ። [10] ንባዕላትኩም ድማ
ናብ ሓዘን፣ ንዅሉ መዛሙርኩም ከኣ ናብ ቊዝማ ኽልውጦ እየ: ኵሉ ጐድኒ ኽሊ ኸም ዚኽደን፣ ኵሉ
ርእሲ ድማ ከም ዚላጸ ኽገብር እየ። ከም ሓዘን ብሓደ ውሉድን መወዳእታኡውን ከም መራር
መዓልትን ክገብር እየ። [11] እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እንሆ፣ ኣነ ናብታ ሃገር ጥሜት
ዝሰደለን መዓልትታት ኪመጻ እየን። ንምስማዕ ቃል እግዚኣብሄር እምበር፣ ጥሜት እንጌራን ጽምኢ
ማይን ኣይኰነን። [12] ካብ ባሕሪ ናብ ባሕሪ፣ ካብ ሰሜን ናብ ምብራቕ ይዅብልሉ፣ ቃል እግዚኣብሄር
ኪደልዩስ ናብዝን ናብትን ይጐዩ፣ ኣይረኽብዎን ከኣ። [13] በታ መዓልቲ ኣቲኣ እተን ጽቡቓት ደናግልን
እቶም ኣጕባዝን ብጽምኢ የሕለልዉ። [14] እቶም ብሓጢኣት ሰማርያ ዚምሕሉ እሞ፣ ኣታ ዳን፣ ኣምላኽካ
ህያው እዩ፣ መገዲ ብኤርሸባዕ ከኣ ህያው እዩ፣ ዚብሉ ይወድቁ፣ መሊሶምውን ኣይትንስኡን።

## ምዕራፍ 9

[1] እግዚኣብሄር ኣብ መሰውኢ ደው ኢሉ ርኤኽዎ፣ በለውን፣ ነቲ ጕልላት ውቕዓዮ፣ እቲ ልዳውቲ ኸኣ
ይናቓነቕ፣ ኣብ ርእሲ ዅላቶም ሰባብሮ፣ ነቶም ካብኦም ዝተረፉ ኸኣ ብሰይፊ ክቕትሎም እየ። ካብኦም
ሓደ እኳ ኣይኪህድምን እዩ፣ ካብኦምሲ ሓደ እኳ ኣይኬምልጥን እዩ። [2] ኵዒቶም እኳ ናብ ሲኦል ኣንተ

ኣተዉ፣ ካብኡ ኢደይ ከተውጽኦም እያ። ናብ ሰማይ እንተ ደየቡውን፣ ካብኡ ኣነ ኽውርዶም እየ። [3] ኣብ
ርእሲ ቀርሜሎስ እኳ እንተ ተሐብኡ፣ ኣነ ደልየ ኻብኡ ኽውጽኦም እየ፣ ካብ ኣዒንተይ ናብ መዓሙቕ
ባሕሪ እንተ ተሐብኡ፣ ኣብኡ ንተመን ክእዝዞ እየ፣ ኪነኽሶም ከኣ እዩ። [4] ኣብ ቅድሚ ጸላእቶም
ተማሪኾም እንተ ኸዱ እኳ፣ ናብኡ ንሰይፊ ኽእዝዞ እየ፣ ኪቐትሎም ድማ እዩ ንሰናይ ዘኰነስ ንሕሰም
ኣዒንተይ ናብኦም ከጠምተን ኣየ። [5] ንምድሪ ዚትንክያ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰራዊት እዩ፣ ንሳ ኸኣ
ትመክኽ፣ እቶም ኣባኣ ዚነብሩ ዅላቶም ድማ ኪሐዝኑ እዮም። ንሳ ብዘላ ኽምቲ ወሓዚ ኸትለዐል፣
ከምቲ ርባ ግብጺ ድማ ለጠቕ ክትብል እያ። [6] እቲ ኣደራሻቱ ኣብ ሰማይ ዝሰርሔ፣ ጠፈሩ ኣብ ልዕሊ
ምድሪ ዝሰረተ፣ ንማያት ባሕሪ ዝጽውዕ፣ ናብ ልዕሊ ገጽ ምድሪ ድማ ዚኽዕዎ፣ ስሙ እግዚኣብሄር እዩ።
[7] ኣቱም ደቂ እስራኤል፣ ንስኻትኩም ንኣይ ከም ደቂ ኢትዮጵያውያንዶ ኣይኰንኩምን ይብል
እግዚኣብሄር ንእስራኤል ካብ ሃገር ግብጺ፣ ንፍልስጥኤማውያን ድማ ካብ ካፍቶር፣ ንሶርያውያን ከኣ
ካብ ደቂ ቂር ኣነዶ ኣይኰንክን ዘውጻእክዎም [8] እንሆ፣ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እታ
ሓጥእ መንግስቲ እየን፣ ካብ ገጽ ምድሪ ኸኣ ከጥፍኣ እየ፣ ግናኸ ንቤት ያእቆብ ብጥራስ ኣይከጥፍኣን
እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። [9] እንሆ፣ ኣነ ኽእዝዝ፣ ንቤት እስራኤል ከኣ ከምቲ ብሚሐ ዚሕሔ ስርናይ
ኣብ ማእከል ኵሎም ህዝብታት ክንዝንዞ እየ፣ሓንቲ ስርናይውን ኣብ ምድሪ ኣይክትወድቕን እያ። [10]
እቶም ሕሰም ኣይከርክበናን ኣይኪበጽሓናን ከኣ እዩ፣ ዚብሉ ዅሎም ሓጥኣን ህዝበይ ብሰይፊ ኺሞቱ
እዮም። [11-12] በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ዝወደቐት ድንኳን ዳዊት ከልዕላ፣ ነቓዓታ ኸኣ ከጣጥእ እየ፣ ነቶም
ካብ ኤዶም ዝተረፉን ነቶም ብስመይ እተሰምዩ ዅሎም ህዝብታትን ኪወርሱስ፣ ንዑናኣ ኽልዕሎ፣
ከምቲ ብዘመን ጥንቲ ዝነበረቶ ገይረ ኸኣ ክሀንጻ እየ፣ ይብል እቲ ነዚ ዚገብር እግዚኣብሄር። [13]
እግዚኣብሄር ይብል ኣሎ፣እንሆ፣ እቲ ሓረስታይ ንዓጻዳይ፣ እቲ ጸማቕ ወይኒ ድማ ነቲ ዘራኢ ዘርክበሉ
መዓልታት ኪመጻ እየን። ኣኽራን ከኣ ኵልዒ ወይኒ ኺንጠብጥብ፣ ዅሉ ዅድዅዶታት ድማ ኪመክኽ
እዩ። [14] ኣነ ኸኣ ንህዝበይ እስራኤል ካብ ምርኮ ኽመልሶ እየ፣ ንሳቶም ድማ ነተን ዝባደማ ኸተማታት
ኪሀንጽወንን ኪነብርወንን እዮም። ኣታኽልቲ ወይኒ ኪተኽሉ፣ ወይኒ ኸኣ ኪሰትዩ፣ ኣታኽልቲ ኺገብሩ፣
ፍሬኡውን ኪበልዑ እዮም። [15] ኣነ ኣብ ምድሮም ክተኽሎም እየ፣ ድሕርዚ ኸኣ ካብታ ዝሀብክዎም
ምድሮም ከቶ ኣይኪምንቈሱን እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ።

# ትንቢት ኣብድያ

## ምዕራፍ 1

1 ራእይ ኣብድያ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብዛዕባ ኤዶም ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ተንስኡ፣ ምስኣ ኽንዋጋእስ
ንለዐል፣ ዚብል መልእኽቲ ኻብ እግዚኣብሄር ሰማዕና፣ ልኡኽ ድማ ኣብ ህዝብታት ተላኢኩ። 2 እንሆ፣
ኣብ ማእከል ህዝብታት ኣንኣስኩኻ፣ ንስኻ ኣዚኻ እተነዐቕካ ኢኻ። 3 ኣታ ኣብ ምንቃዕ ኣኻውሕ
እትነብር፣ መቐመጢኻ ልዕል ዝበለ፣ ልብኻ ድም፣ መን እዩ ናብ ምድሪ ዘውርደኒ እትብል፣ ትዕቢት
ልብኻ ኣስሒተካ። 4 ከም ንስሪ እኳ ልዕል እንተ በልካ፣ ቤትካውን ኣብ ማእከል ከዋኽብቲ እንተ ገበርካ፣
ካብኡ ኽውርደካ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 5 ሰረቕቲ ወይስ ከተርቲ ብለይቲ እንተ ዚመጹኻ፡- ክንደይ
ኰን በረስካ፡- ክሳዕ ዚኣኽሎምዶ ኣይምሰረቑን በተኽቲ ወይኒ እንተ ዚመጹኻስ፣ ገለ ዘለላዶ
ኣይምሐደጉልካን 6 ኣየ፣ ኤሳው ክንደይ ተጐርጒረ፣ እቲ ሕቡእ መዝገቡስ ክንደይ ተደልየ። 7 እቶም ቃል
ኪዳን ዝኣተዉልካ ሰባት ኵሎም ክሳዕ ዶብ ሰደዱኻ፣ እቶም እትኣምኖም ሰባት ከኣ ጠበሩኻ፣
ዐብለሉኻ ድማ፣ እቶም እንጌራኻ ዝበልዑውን፣ ኣእምሮ የብሉን፣ ኢሎም ኣብ ትሕቴኻ መፈንጠራ
ዘርግሑልካ። 8 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኣነ ኻብ ኤዶም ጠቢባን፣ ካብ
ከረን ኤሳው ከኣ ምስትውዓልዶ ኣይከጥፍእን እየ 9 ኣታ ቴማን፣ ሰብ ዘበለ ካብ ከረን ኤሳው ብምቕታል
ኪጥረስሲ፣ ጀጋኑኻ ተስፋ ኪቘርጹ እዮም። 10 ብምኽንያት እቲ ንሓውካ ያእቆብ ዝገበርካዮ ዓመጽ፣
ሕፍረት ኪኸድነካ እዩ፣ ንዘለኣለም ከኣ ክትጸንት ኢኻ። 11 በታ ኣብ ቅድሚኡ ደው ኢልካ ዝገበርካላ
መዓልቲ፣ በታ ጓኖት ንገንዘቡ ዝማረኹላ፣ መጻተኛታት ድማ ብደጌታቱ ዝኣተዉላ፣ የሩሳሌም ከኣ ዕጭ
ዘውደቑላ መዓልቲ ንስኻውን ከም ሓደ ኻብታቶም ነበርካ። 12 እምብኣርሲ በታ መዓልቲ መከራኡ
ንመዓልቲ ሓውካ ኣይትጠምት፣ በታ መዓልቲ ጥፍኣቶም ብደቂ ይሁዳ ኣይትተሐጐስ፣ በታ መዓልቲ
ጸበባ ብትዕቢት ኣይትዛረብ። 13 በታ መዓልቲ መዓቱ ብደገ ህዝበይ ኣይትእቶ፣ በታ መዓልቲ መዓቱ
ንስኻውን መከራኡ ኣይትርኤ፣ በታ መዓልቲ መዓቱ ድማ ኢድካ ናብ ገንዘቡ ኣይትዘርግሕ። 14 ነቶም
ዘምለጡ ኽተጥፍእ ኢልካ ኣብ ቃራና መገዲ ደው ኣይትበል፣ በታ መዓልቲ ጸበባ ኸኣ ነቶም ዝተረፉ
ናቱ ኣሕሊፍካ ኣይትሀቦም። 15 መዓልቲ እግዚኣብሄር ንዅላቶም ህዝብታት ቀሪባ እያ እሞ፣ ከምቲ
ዝገበርካዮ ኺገብሩኻ እዮም፣ ግብርኻ ኣብ ርእስኻ ኺምለሰካ እዩ። 16 ከምቲ ንስኻትኩም ኣብቲ ቅዱስ
ከረነይ ዝሰቴኹምዎ፣ ከምኡ ዅሎም ህዝብታት ከየባተኹ ኺሰትዩ፣ እወ፣ ኪሰትዩ ኪጭልጡውን
እዮም፣ ከም ዘይነበሩ ኸኣ ኪኾኑ እዮም። 17 ኣብ ከረን ጽዮን ዘምለጡ ኺህልዉ እዮም፣ ንሱውን ቅዱስ
ኪኸውን እዩ፣ ቤት ያእቆብ ከኣ ርስቶም ኪርስተዩ እዮም። 18 ቤት ያእቆብ ሓዊ፣ ቤት ዮሴፍ ከኣ
ሃልሃልታ፣ ቤት ኤሳው ድማ ከም ሓሰር ኪኾኑ እዮም። ኣብኦም ኬንድዱን ኪውሕጥዎምን እዮም።
እግዚኣብሄር ተዛሪቡ እዩ እሞ፣ ንቤት ኤሳው ሓደ እኳ ኣይኪተርፉን እዩ። 19 እቶም ኣብ ደቡብ ዘለዉ
ንኸረን ኤሳው፣ እቶም ኣብ ጐልጐል ዘለዉ ኸኣ ንፍልስጥኤማውያን ኪርስተዩ እዮም። ንሳቶም ንምድሪ
ኤፍሬምን ንምድሪ ሰማርያን ኪርስተይወን እዮም፣ ብንያም ድማ ንጊልዓድ ኪርስተያ እዩ። 20 እቶም
ተማሪኾም ዝነበሩ ሰራዊት ደቂ እስራኤል ነቲ ናይ ከነኣናውያን ዝነበረ ኽሳዕ ሰራጵታ ኺርስተዩ፣ እቶም
ካብ የሩሳሌም ተማሪኾም ዝነበሩ ኣብ ሰፋራድ ዘለዉ ድማ ንኸተማታት ደቡብ ኪወርስወን እዮም። 21
መናገፍቲ ኸኣ፣ንኸረን ኤሳው ኪፈርዱስ፣ ናብ ከረን ጽዮን ኪድይቡ እዮም፣ መንግስቲውን ናይ

እግዚኣብሄር ኪኸውን እዩ።

# ትንቢት ዮናስ

## ምዕራፍ 1

1-2 ንዮናስ ወዲ ኣሚታይ፣ ተንስእ እሞ ናብ ነነዌ፣ ናብታ ዓባይ ከተማ፣ ኪድ። እከዮም ናብ ቅድመይ
ደዮቡ እዩ እሞ፣ ኣንጸሮም ኣውጅ፣ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጾ። 3 ዮናስ ግና ካብ ገጽ እግዚኣብሄር
ናብ ተርሲስ ኪሀድም ኢሉ ተበገሰ፣ ናብ ያፋ ኸኣ ወረደ፣ ናብ ተርሲስ እትሐልፍ መርከብ ድማ ረኸበ።
ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ርሒቑ፣ ምሳታቶም ናብ ተርሲስ ኪኸይድ ከኣ ዋጋ ኸፊሉ ናብ መርከብ ኣተወ። 4
እግዚኣብሄር ድማ ናብቲ ባሕሪ ህቦብላ ንፋስ ሰደደ፣ እታ መርከብ ክትስበር ክሳዕ እትቐርብ፣ ኣብቲ
ባሕሪ ብርቱዕ ማዕበል ኰነ። 5 እቶም ባሕረኛታት ድማ ፈርሁ፣ ነፍሱ ወከፎምውን ነናብ ኣምላኹ
ተማህለለ። ምእንቲ ኺፈኹሰሎም ከኣ፣ ነቲ ኣብታ መርከብ ዝነበረ ኣቓሑ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። ዮናስ
ግና ናብቲ ታሕታይ ክፍሊ እታ መርከብ ደቂሱ ነበረ። 6 እቲ ሓለቓ መርከብ ናብኡ ቐረበ እሞ፣ ኣታ
ደቃሲ፣ እንታይ ትገብር ኣሎኻ ተንስእ፣ ምናልባሽ እቲ ኣምላኽካ ከይንጠፍ እንተ ሐሰበናስ፣ ናብ
ኣምላኽካ ተማህለል፣ በሎ። 7 ንሓድሕዶም ድማ፣ እዚ መከራ እዚ ብሰሪ መን ከም ዚረኸበና ዘሎ
ኽንፈልጥሲ፣ ንዑ ዕጭ ነውድቕ፣ ተባሃሀሉ። ዕጭ ኣውደቑ፣ እታ ዕጭውን ኣብ ዮናስ በጽሔት። 8 ሽዑ
ንሳቶም፣ ንገረና ኹታ፣ እዚ ረኺቡና ዘሎ መከራስ ብሰሪ መን እዩ ዕዮኻ እንታይ እዩ ካበይከ መጻእካ
ኣየናይ እዩ ሃገርካ ካብ ኣየናይ ህዝቢኸ ኢኻ በልዎ። 9 ንሱ ኸኣ፣ ኣነ እብራዊ እየ፣ ነቲ ባሕርን ንቑጽን
ዝገበረ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ሰማይን እፈርሆ እየ፣ በሎም። 10 ሽዑ እቶም ሰባት ንሱ ካብ ገጽ
እግዚኣብሄር ርሒቑ ኸም ዝሀደመ፣ ባዕሉ ስለ ዝነገሮም፣ ፈለጡ፣ ዓብዪ ፍርሃትውን ፈርሁ እሞ፣
ስለምንታይ ደኣ እዚ ገበርካ ከኣ በልዎ። 11 እቲ ባሕሪ ማዕበሉ እናበርትዔ ይኸይድ ነበረ እሞ፣ ንሳቶም፣
ባሕሪ ኺሀድኣልናስ እንታይ ንግበርካ በልዎ። 12 ንሱ ድማ፣ እዚ ብርቱዕ ማዕበል ብሰረይ
ከምዝበጽሓኩም፣ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ፣ ወሲድኩም ናብ ባሕሪ ደርብዩኒ፣ እቲ ባሕሪ ኸኣ
ኪሀድኣልኩም እዩ፣ በሎም። 13 እቶም ሰባት ናብ ምድሪ ኺምለሱ ብምቕዛፍ ይጋደሉ ነበሩ፣ ግናኸ እቲ
ባሕሪ ማዕበሉ እናበርትዖም ስለ ዝኸደ ኣይኰነሎምን። 14 ሽዑ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ንልምነካ ኣሎና፣
ምእንቲ ነፍሲ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣይተጥፍኣና። ንስኻ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣ ከም ዝፈቶኻዮ ጌርካ ኢኻ እሞ፣
ንጹህ ደም ኣብ ልዕሌና ኣይተንብር፣ ኢሎም ናብ እግዚኣብሄር ኣእወዩ። 15 ንዮናስ ወሲዶም ድማ ናብ
ባሕሪ ደርበይዎ፣ እቲ ባሕሪ ከኣ ካብ ምንዋጽ ሀድኤ። 16 እቶም ሰባት ከኣ ንእግዚኣብሄር ሰውኡሉ፣
መብጽዓውን ተማባጽዑ።

## ምዕራፍ 2

1 እግዚኣብሄር ንዮናስ ዚውሕጥ ዓብዪ ዓሳ ኣዳለወ። ዮናስ ከኣ ኣብ ከብዲ ዓሳ ሰለስተ መዓልትን
ሰለስተ ለይትን ገበረ። 2 ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓሳ ኹይኑ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኹ ጸለየ። 3 በለ ድማ፣ ካብ
መከራይ እተላዕለ ናብ እግዚኣብሄር ኣእዌኹ፣ ንሱ ኸኣ መለሰለይ። ኣብ ከብዲ ሲኦል ኰይነ ኣእዌኹ፣
ንስኻውን ድምጸይ ሰማዕካ። 4 ንስኻ ናብቲ መዓሙቕ፣ ናብ ልቢ ባሕሪ፣ ደርቤኻኒ፣ ወሓይዝ ከበበኒ፣
ኵሉ ማዕበልካን ሞገድካን ብልዕለይ ሐለፈ 5 ኣነ ኸኣ በልኩ፣ ካብ ቅድሚ ኣዒንትኻ ተሰጕጕኩ፣ ግናኸ

ናብ ቅዱስ መቕደስካ መሊሰ ኽጥምት እየ። 6 ማያት ክሳዕ ነፍሰይ ከበበኒ፣ መዓሙቕ ኣብ ዙርያይ
ነበረል ክሳዕ ባሕሪ ኣብ ርእሰይ ተጠምጠመ። 7 ናብ መሰረት ኣኽራን ወረድኩ፣ መሃርሃሪታት ምድሪ
ንሓዋሩ ኣብ ልዕለይ ኰነ፣ ግናኸ ንስኻ፣ ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ንህይወተይ ካብ ጉድጓድ
ኣውጻእካያ። 8 ነፍሰይ ኣብ ውሽጠይ ምስ ኣሕለለወት፣ ንእግዚኣብሄር ዘከርክዎ፣ ጸሎተይ ናባኻ፣ ናብቲ
ቅዱስ መቕደስካ ኣተወ። 9 እቶም ናብ ሓሰውቲ ኸንቱነት ዜድህቡ፣ ጸጋኦም ይሐድጉ። 10 እግዚኣብሄር
ነቲ ዓሳ ኣዘዞ፣ ንሱውን ንዮናስ ናብ ንቑጽ ምድሪ ተፍኦ።

## ምዕራፍ 3

1-2 ንዮናስ፣ ተንስእ፣ ናብ ነነዌ፣ ናብታ ዓባይ ከተማ፣ ኪድ፣ ኣነ ዝእዝዘካ ኣዋጅ ከኣ ኣውጅላ፣ ዚብል
ቃል እግዚኣብሄር ካልኣይ ጊዜ መጾ። 3 ዮናስ ከምቲ ቓል እግዚኣብሄር ተንስኤ፣ ናብ ነነዌውን ከደ። ነነዌ
ግና ኣዝያ ዓባይ ከተማ፣ መገዲ ሰለስተ መዓልቲ እያ። 4 ዮናስ ናብታ ኸተማ ኺኣቱ መገዲ ሓንቲ
መዓልቲ ጀመረ እሞ፣ ነነዌ ኣርብዓ መዓልቲ ጸኒሓ ኽትግምጠል እያ፣ ኢሉ ኣወጀ። 5 ሰብ ነነዌ ኸኣ
ንኣምላኽ ኣመኑ፣ ጾም ድማ ኣወጁ፣ ካብ ዓበይቶም ክሳዕ ናእሽቱኦምውን ከሻ ተኸድኑ። 6 እዚ ወረ እዚ
ናብ ንጉስ ነነዌ በጽሔ፣ ካብ ዝፋኑ ተንስኤ፣ ባርኖሱ ቐንጠጠ፣ ክሻ ተኸድነ፣ ኣብ ሓሙኹስቲ ድማ
ተቐመጠ። 7 ኣብ ነነዌ ብትእዛዝ ንጉስን መኳንንቱን ከምዚ ዚብል ኣዋጅ ተኣወጀ፣ ሰብ ወይስ እንስሳ፣
መጓሰ ኸብቲ ወይስ መጓሰ ኣባጊዕ ሓንቲ እኳ ኣይጥዐማ፣ ኣይውፈራ፣ ማይውን ኣይስተያ፣ 8 ሰብን
እንስሳን ክሻ ይከደኑ፣ ዓው ኢሎም ድማ ናብ ኣምላኽ የእውዩ። ነፍሲ ወከፍ ከኣ ካብ እኩይ መገዱን
ካብቲ ኣብ ኢዱ ዘሎ ዓመጽን ይመለስ። 9 ኣምላኽ እንተ ተመልሰን እንተ ተጣዕሰን፣ ንሕና ኸይንጠፍእ
ከኣ ካብ ጉሁር ቍጥዓኡ እንተ ተመልሰን፣ መን ይፈልጥ 10 ኣምላኽ ከኣ ካብ እኩይ መገዶም ከም
እተመልሱ፣ ግብሮም ረአየ፣ ኣምላኽውን ነቲ ኼውርደሎም ኢሉ እተዛረቦ መዓት ተጣዕሰሉ፣ ኣይገብሮን
ከኣ።

## ምዕራፍ 4

1 ግናኸ እዚ ንዮናስ ኣዝዩ ኣጕሃዮ፣ ኰረየውን። 2 ናብ እግዚኣብሄር ጸለየ በለ ድማ፣ ዎ እግዚኣብሄር፣
እልምነካ ኣሎኹ፣ እቲ ኣብ ሃገረይ ከሎኹ እተዛረብክዎስ እዚዶ ኣይኰነን መሓርን ርሕሩሕን ንኹራ
ደንጓይን ብዓል ዓብዩ ሳህልን ንእኩይ እትጥዐሰሉን ኣምላኽ ከም ዝኾንካ ስለ ዝፈለጥኩ፣ ስለዚ እየ
ቐዲመ ናብ ተርሲስ ዝሀደምኩ። 3 ዎ እግዚኣብሄር፣ እምብኣርሲ ሕጂ ኻብ ብህይወት ምንባር ሙማት
ይሕሸኒ እሞ፣ እልምነካ ኣሎኹ፣ ንነፍሰይ ካባይ ውሰዳ። 4 እግዚኣብሄር ድማ፣ ብምኹራይካስ ጽቡቕዶ
ትገብር ኣሎኻ በለ። 5 ዮናስ ከኣ ካብታ ኸተማ ወጸ፣ ኣብ ወገን ምብራቕ እታ ኸተማውን ተቐመጠ።
ኣብኡ ንርእሱ ዳስ ገበረ። ነታ ኸተማ ዚወርዳ ኺርኢ ድማ፣ ኣብ ትሕቲኡ ኣብ ጽላል ተቐመጠ። 6
እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንዮናስ ርእሱ ኸተጽልሎ እሞ ኻብ ሕሰሙ ኸተናግፎ ኢሉ፣ ጕልዒ ኣዳለወ፣
ኣብ ልዕሊኡ ድማ ኣዕበያ። ዮናስውን በታ ጕልዒ ኣዝዩ ተሐጎሰ። 7 ግናኸ ንጽብሒቱ ምስ ወግሔ፣
ኣምላኽ ሓሰኻ ኣዳለወ፣ ንሱ ኸኣ ነታ ጕልዒ ወቕዓ እሞ ነቐጸት። 8 ጸሓይ ምስ በረቐት ድማ፣ ኣምላኽ
ውዑይ ንፋስ ምብራቕ ኣዳለወ፣ ጸሓይ ከኣ ንዮናስ፣ ክሳዕ ዜሕለሉ፣ ርእሱ ወቕዓቶ፣ ንሱውን፣ ካብ
ብህይወት ምንባርሲ ሙማት ይሕሸኒ፣ ኢሉ ንነፍሱ ሞት ለመነላ። 9 ኣምላኽ ከኣ ንዮናስ፣ በታ ጕልዒ

ኽትቍጣዕዶ ይግብኣካ እዩ በሎ። ንሱ ድማ፣ ክሳዕ ሞት ክቚጣዕ እኳ ይግብኣኒ እዩ፣ በለ። [10]
እግዚኣብሄር ከኣ በሎ፣ ንስኻ በታ ዘይደኸምካላን ዘየዕቤኻያን፣ ብሓንቲ ለይቲ ዝበቘለት ብሓንቲ ለይቲ
ድማ ዝጠፍኤት ጕልዒ ጕሂኻ። [11] ኣነኸ ነታ ዓባይ ከተማ ነነዌ፣ የማኖም ካብ ጸጋሞም ኪፈልዩ
ዘይኽእሉ፣ ካብ ሚእትን ዕስራን ሽሕ ዚበዝሑ ሰብን ብዙሓት እንስሳን ዘለውዎ ኣይርሕርሓላን እየ

# ትንቢት ሚክያስ

## ምዕራፍ 1

1 እቲ ብዘመን ዮታምን ኣሃዝን ህዝቅያስን ነገስታት ይሁዳ፣ ብዛዕባ ሰማርያን የሩሳሌምን ሚክያስ
ሞረሽታይ ዝረኣዮ ናብኡ ኸኣ ዝመጾ ቓል እግዚኣብሄር እዚ እዩ፣ 2 ኣቱም ህዝብታት ኲላትኩም፣ ስምዑ፣
ኣቲ ምድሪ ምስ ምልኣትኪ፣ ጽን በሊ። እግዚኣብሄር ኣምላኽሲ ኣንጻርኩም ይምስክር፣ እወ፣
እግዚኣብሄር ካብ ቅዱስ መቕደሱ። 3 እንሆ፣ እግዚኣብሄር ካብ ስፍራኡ ይወጽእ፣ ይወርድ፣ ኣብ በረኽቲ
ምድሪ ድማ ይረግጽ እዩ እሞ፣ 4 ከም ስምዒ ኣብ ቅድሚ ሓዊ ከምቲ ኣብ ጎቦ ዚውሕዝ ማያት፣ ኣኽራን
ኣብ ትሕቲኡ ይመኩ፣ ሽንጭሮታት ከኣ ይጭደዱ። 5 እዚ ዅሉ ብሰሪ በደል ያእቆብን ብሰሪ ሓጢኣት
ቤት እስራኤልን እዩ። በደል ያእቆብ እንታይ እዩ ሰማርያዶ ኣይኰነትን በረኽቲ ቦታ ይሁዳ እንታይ እዩ
የሩሳሌምዶ ኣይኰነትን 6 ስለዚ ንሰማርያ ኸም ኲምራ እምኒ መሮርን ከም ቦታ ኣታኽልቲ ወይንን
ክገብራ እየ። ነእማና ናብ ሽንጭሮ ኽንከራርዎ፣ ንመሰረታ ኸኣ ክቐልዖ እየ። 7 እቲ ቕሩጽ ምስልታት ኲሉ
ኺሰባብሮ፣ እቲ ዋጋ ምንዝርናኣ ዅሉ ብሓዊ ኺሐርር እዩ። ብዋጋ ምንዝርና ኣኪባቶም፣ መሊሶም ድማ
ዋጋ ምንዝርና ኪኾኑ እዮም እሞ፣ ኣነ ንዅላቶም ጣኦታታ ኽባድሞም እየ። 8-9 ቊስላ ዘይሐዊ እዩ፣
ክሳዕ ይሁዳ መጺኡ፣ ክሳዕ ኣብ ደገ ህዝበይ፣ ክሳዕ የሩሳሌም በጺሑ እዩ እሞ፣ ስለዚ እበክን ዋይዋይ
እብልን፣ ተቐንጢጠን ጥራየይ ኰይነን እኸይድ፣ ከም ወኻርያ እበኪ፣ ከም ሰገን ከኣ ደሃይ ሓዘን ኤድሂ
ኣሎኹ። 10 ኣብ ጋት ኣይተውርይዎ፣ ብኽያት ኣይትብከዩ፣ ኣብ ቤት ኣፍራ ኣብ ሓመድ ጠቀላዕላዕ
በልኩ። 11 ኣቲ ብነውራም ዕርቃን ኣብ ሳፊር እትንበሪ፣ ሕለፊ፣ እታ ኣብ ጻኣናን እትነብሪ ኣይትወጽእን፣
ብኽያት ቤትኤጽል ስፍራኡ ኣሕደገኩም። 12 መዓት ካብ እግዚኣብሄር ክሳዕ ደገ የሩሳሌም ወሪዱ እዩ
እሞ፣ እታ ኣብ ማሮት እትነብር ስለ እቲ ሰናይ ትሐዝን ኣላ። 13 ኣቲ ኣብ ላኪሽ እትነብሪ፣ ነቶም ኣፍራስ
ኣብ ሰረገላ ጽመድዮም። በደል እስራኤል ኣባኺ ተረኺቡ እዩ እሞ፣ ንሳ ንጓል ጽዮን መጀመርታ
ሓጢኣት ኰነታ። 14 ስለዚ ንሞሬሽትጋት ናይ ምስንባት ህያብ ሀቦ፣ ኣባይቲ ኣኽዚብ ንነገስታት እስራኤል
ጠባሪ ኪኸውን እዩ። 15 ኣቲ ኣብ ማሬሻ እትነብሪ፣ እቲ ዚወርሰኪ ኽምጽኣልኪ እየ፣ ክብሪ እስራኤል
ክሳዕ ኣዱላም ኪመጽእ እዩ። 16 ንሳቶም ካባኺ ተማሪኾም ከይዶም እዮም እሞ፣ ስለቶም ደቂ ሓጐስኪ
ጸጒርኺ ንጸዪ፣ ርእስኺ ላጽዩ፣ ነቲ ነኺዕኪ ኸም ንስሪ ኣግፍሕዮ።

## ምዕራፍ 2

1 እቶም ኣበሳ ዚምህዙ፣ ኣብ መደቀሲኦም ከኣ እከይ ዜዳልዉ ወይለኦም። ኣብ ስልጣን ኢዶም ስለ
ዝኾኑ፣ ብብርሃን ወጋሕታ ይገብርዎ። 2 ግራሁ ይደልዩ ይዝርፍዎ ድማ፣ ኣባይቲ ይደልዩ
ይወስድዎውን። ንሰብኣይን ንቤቱን፣ እወ፣ ንሰብን ንርስቱን ይጭቍኑ። 3 ስለዚ እግዚኣብሄር ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ ክፉእ ዘመን እዩ እሞ፣ እንሆ፣ ክሳድኩም ዘይተልዕሉሉ፣ ተዐቢኹም ከኣ ዘይትኸዱሉ
ሕሰም ነዚ ወለዶ እዚ ኽምህዘሉ እየ። 4 በታ መዓልቲ እቲኣ ብዛዕባኹም ከምዚ ኢሎም ኪምስሉን
ቀኍዝማ ኪቀኍዝሙን እዮም፣ ብጥራስ ተበዝበዝና፣ ነቲ ግደ ህዝበይ ለወጦ፣ ከመይ ኡሉኽ ኣሕደገኒ፣ ነቲ
ግርሁናስ ንዓለወኛታት ዐደሎ። 5 ስለዚ ኣብ ማሕበር እግዚኣብሄር ነቲ ገመድ መለከዒ ብዕጭ ዜውድቕ

የብልካን። 6 ነቶም ዘበዩ፣ ኣይትነበዩ፣ ይብልዎም። ነዚኣቶም እንተ ዘይተነበዩሎም እኳ፣ ነውሪ
ኣይኪርሕቐን እዩ። 7 ኣታ ቤት ያእቆብ እትብሀል፣ መንፈስ እግዚኣብሄርዶ ሐጺር እዩ ግብሩኸ እዚ ድዩ
ነቲ ብቕንዕና ዚኸይድሲ ቓላተይዶ ሰናይ ኣይኰነን 8 ህዝበይ ግና ካብ ቅሩብ ጊዜ ጀሚሩ ከም ጸላኢ
ተላዕለ፣ ነቶም ጸረ ውግእ ዝኾኑ ሀዲኦም ዚሐልፉስ ባርኖሶም ካብ ልዕሊ ቐሚሾም ትገፉ። 9 ነንስቲ
ህዝበይ ካብ ኣባይቲ ደስታኤን ትስጕወን፣ ካብ ደቀን ክብረተይ ንሓዋሩ ትወስዱ። 10 ብሰሪ እቲ ሕሱም
ጥፍኣት ዜጥፍእ ርኽሰት፣ እዚ ስፍራ ዕረፍትኹም ኣይኰነን እሞ፣ ተንስኡ፣ ኪዱ። 11 ኣነ ብዛዕባ ወይንን
ብርቱዕ መስተን ክንበየልካ፣ ኢሉ ደድሕሪ ንፋስ ዚስዕብን ሓሶት ዚዛረብን እንተሎ፣ ንሱ ነዚ ህዝቢ እዚ
ነብዩ ይኸውን። 12 ዎ ያእቆብ፣ ኣነ ክእከበካ፣ ኵለንትናኻ ክእክብ፣ ነቲ ተረፍ እስራኤል ብርግጽ ክእከቦ
እየ። ከምተን ኣባጊዕ ቦጽራ፣ ኣብ መጓሰይኣ ኸም ዘላ መጓሰ ብሓባር ክምጽኦ እየ። ካብ ብዝሒ ሰብ
እተላዕለ ብርቱዕ ወካዕታ ኪኸውን እዩ። 13 እቲ ጠሓሲ ኣብ ቅድሚኦም ይድይብ፣ ንሳቶም ይጥሕሱ፣
ናብታ ደገ ኸኣ ይሐልፍ፣ ብእእውን ይወጹ። ንጉሶም ቀቅድሚኦም ይሐልፍ፣ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ
ርእሶም ይኸውን።

## ምዕራፍ 3

1 ኣነ በልኩ፣ ኣቱም ኣሕሉቕ ያእቆብን መሳፍንቲ ቤት እስራኤል፣ ስምዑ ኾታ፣ ፍርዲ ምፍላጥሲ
ኣባካትኩምዶ ኣይኰነን 2 ሰናይ እትጸልኡ፣ እከይ ከኣ እትፈትዉ፣ ቈርበቶም እትቕልጥዎም፣ ስጋኦም
ካብ ኣዕጽምቶም እተዋርዱ፣ 3 ስጋ ህዝበይ ድማ እትበልዑ፣ ቈርበቶም እትቕልጥዎም፣ ዓጸጽምቶም
እትሰብሩ፣ ከምቲ ኣብ ቊራዕ፣ ናብ ድስቲ ዚኣቱ ስጋ እትቘራርጽዎ ኢኹም። 4 ሽዑ ናብ እግዚኣብሄር
ኬእውዩ እዮም፣ ንሱ ግና ኣይኪመልሰሎምን። በቲ ጊዜ እቲ፣ ከምቲ ዝገበርዎ ኽፉእ ግብሮም፣ ገጹ
ካብኦም ኪሕብእ እዩ። 5 እግዚኣብሄር ብዛዕባ እቶም ንህዝበይ ዜስሕቱ፣ በስናኖም ዚነኽሱ፣ ሰላም
ዚእውጁ፣ ነቲ ናብ ኣፎም ገለ ዘይህቦም ድማ ውግእ ዜዳልዉሉ ነብያት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ 6 ስለዚ ኣብ
ክንዲ ራእይስ ለይቲ፣ ኣብ ክንዲ ጥንቈላ ኸኣ ጸልማት ኪኾነኩም እዩ። ጸሓይ ኣብ ልዕሊ ነብያት
ትዐርብ፣ መዓልቲ ድማ ትጽልምቶም። 7 እቶም ራእይ ዚርእዩ ኺንውሩ፣ እቶም ጠንቈልቲ ኸኣ ኪሐንኩ
እዮም፣ ካብ ኣምላኽ ምላሽ የልቦን እሞ፣ ኵላቶም ጭሕሞም ኪኸድኑ እዮም። 8 ኣነ ግና ንያእቆብ
በደሉ፣ ንእስራኤል ከኣ ሓጢኣቱ ኽነግሮስ፣ ብመንፈስ እግዚኣብሄር ሓይልን ፍርድን ትብዓትን መሊኤ
ኣሎኹ። 9-10 ኣቱም ፍርዲ እትፍንፍኑ፣ ቅኑዕ ዘበለ እትጠውዩ፣ ንጽዮን ብደም ንየሩሳሌም ከኣ ብኣበሳ
እትሀንጹ ኣሕሉቕ ቤት ያእቆብን መሳፍቲ ቤት እስራኤልን፣ እዚ ኾታ ስምዑ፣ 11 ሓላቑኣ ብመማለጃ
ይፈርዱ፣ ካህናታ ብዋጋ ይምህሩ፣ ነብያታ ብገንዘብ ይንበዩ፣ ምስናይ እዚ ኸኣ፣ እግዚኣብሄርዶ ኣብ
ማእከልና ኣይኰነን፣ መዓት ኣይወርደናን እዩ፣ ኢሎም ኣብ እግዚኣብሄር ይጽግዑ። 12 ስለዚ ብሰርኹም
ጽዮን ከም ግራት ክትሕረስ፣ የሩሳሌም ከኣ ኰምራ ኣእምን ክትከውን፣ ደብሪ እታ ቤትውን ኵርባ ዱር
ኪኸውን እዩ።

## ምዕራፍ 4

1 በተን ዳሕሮት መዓትታት ኪኸውን እዩ፣ እቲ ደብሪ ቤት እግዚኣብሄር ኣብ ርእሲ ኣኽራን ኪጸንዕ፣
ኣብ ልዕሊ ኹድኩዶታት ከኣ ልዕል ኪብል እዩ። ህዝብታት ድማ ናብኡ ኺውሕዙ እዮም። 2 ሕጊ ካብ

ጽዮን፣ ቃል እግዚኣብሄር ከኣ ካብ የሩሳሌም ኪወጽእ እዩ እሞ፣ ብዙሓት ህዝብታት ኪኸዱ፣ ንዑናይ
ናብ ከረን እግዚኣብሄር ናብ ቤት ኣምላኽ ያእቆብን ንደይብ፣ ንሱ ኸኣ ጐደናታቱ ኺምህረና እዩ፣
ንሕናውን ብመገድታቱ ኽንመላለስ ኢና፣ ከኣ ኪብሉ እዮም። 3 ኣብ መንጎ ብዙሓት ህዝብታት ኪፈርድ፣
ንብርቱዓት ህዝብታት ድማ ክሳዕ ርሑቕ ኪዳንዮም እዩ። ንሳቶም ከኣ ኣስያፎም ንማሕረሻታት፣
ኲናውቶም ድማ ንገዘሞታት ኪሰርሕዎ እዮም፣ ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሰይፊ ኣይኬልዕልን እዩ፣
ደጊምሲ ውግእ ኣይኪምህሩን እዮም። 4 ኣፍ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ተዛሪብዎ እዩ እሞ፣ ነፍሲ
ወከፍ ኣብ ትሕቲ ተኽሊ ወይኑን ኣብ ትሕቲ ኦም ሰለሱን ኪቕመጥ እዩ፣ ዜፍርሆም ከኣ የልቦን። 5
ኲሎም እቶም ህዝብታት ነፍሲ ወከፎም በብስም ኣምላኾም ኪመላለሱ እዮም፣ ንሕናውን ንዘለኣለም
ብስም እግዚኣብሄር ኣምላኽና ክንመላለስ ኢና። 6 በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ሓንካስ ክእክባ፣ ነታ
እተሰጐትን ነታ ኣነ ዘጨነቕክዋን ከሕብረን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 7 ነታ ሓንካስ ንተረፍ፣ ነታ ናብ
ርሑቕ እተሰጐት ከኣ ብርቱዕ ህዝቢ ኽገብረን እየ። እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ልዕሊኦም ኣብ ከረን ጽዮን
ካብ ሕጂ ንዘለኣለም ኪነግስ እዩ። 8 ኣታ ግምቢ መጓሰ፣ ኣታ ኾርባ ጓል ጽዮን፣ ናባኻ ኽትመጽእ፣ እወ፣
እታ ጥንታዊት ግዝኣት፣ እታ መንግስቲ ጓል የሩሳሌም ክትመጻካ እያ። 9 እምብኣርሲ ስለምንታይ ደኣ
ዓው ኢልኪ እትጭድሪ ከም እትሐርስ ሰብይቲ ቕልውላው ዚሕዘክስ፣ ንጉስዶ ኣብ ማእከልኪ የሎን፣
መኻሪኺዶ ጠፊኡ እዩ 10 ኣቲ ጓል ጽዮን፣ ሕጂ ካብታ ኸተማ ኽትወጺ፣ ኣብ መሮር ከኣ ክትስፍሪ፣ ክሳዕ
ባቢሎን ድማ ክትመጺ ኢኺ። ኣብኡ ኽትድሕኒ ኢኺ: ኣብኡ እግዚኣብሄር ኺብጀወኪ እዩ እሞ፣ ከም
እትሐርስ ሰበይቲ ኣቕለልውን ተጨነቕን። 11 ሕጂ ኸኣ፣ ትርከስ፣ ኣዒንትና ድማ ናብ ጽዮን ይጥምታ፣
ዚብሉ ብዙሓት ህዝብታት ተኣከቡኺ። 12 ንሳቶም ግና ሓሳብ እግዚኣብሄር ኣይፈለጡን ምኽሩውን
ኣየስተውዐሉን፣ ንሱስ ከም እንዳእቲ ናብ ዓውዲ ይእከቦም ኣሎ። 13 ኣቲ ጓል ጽዮን ቀርንኺ ሓጺን፣
ሸኾናኺ ድማ ነሓሲ ክገብሮ እየ እሞ፣ ተንስኢ፣ ኣኺዲ፣ ብዙሓት ህዝብታት ከኣ ክትሰባብሪ ኢኺ፣
ኣነውን ዘመቲኦም ንእግዚኣብሄር፣ ሃብቶም ድማ ንጐይታ ኹላ ምድሪ ክቕድሶ እየ።

## ምዕራፍ 5

1 ኣቲ ጓል ጭፍራ፣ ጭፍራኺ ኣክቢ፣ ብኸቢ ይኸቡና፣ ነቲ ፈራዲ እስራኤል ብበትሪ ምዕጉርቱ
ይወቕዕዎ። 2 ግናኸ፣ ኣቲ ኣብ ማእከል ኣሽሓት ይሁዳ ዝነኣስኪ ቤትልሄም ኤፍራታ፣ እቲ ምውጻኡ ካብ
ጥንቲ ካብ ዘለኣለም ዝኾነ፣ ኣብ እስራኤል ገዛኢ ዚኸውን ካባኺ ኺወጸለይ እዩ። 3 ስለዚ ኽሳዕ እታ
ወላዲት እትወልደሉ ዘመን ኣሕሊፉ ኺህቦም እዩ። ሽዑ እቶም ተረፍ ኣሕዋቱ ናብ ደቂ እስራኤል
ኪምለሱ እዮም። 4 ንሱ ብሓይሊ እግዚኣብሄር ብግርማ ስም እግዚኣብሄር ኣምላኹን ኪቐወምን ኪጓስን
እዩ። ሽዑ ንሱ ኽሳዕ ወሰን ምድሪ ዓብዪ ኪኸውን እዩ እሞ፣ ንሳቶም ኪነብሩ እዮም። 5 ንሱ ሰላም
ኪኸውን እዩ። እቲ ኣሶራዊ ናብ ሃገርና ምስ መጸ፣ ኣብ ኣዳራሽና ኸኣ ምስ ረገጸ፣ ንሕና ሾብዓተ ጓሶትን
ሾሞንተ መሳፍንቲ ሰብን ኣንጻሩ ኽነተንስኣሉ ኢና። 6 ንሃገር ኣሶር ብሰይፊ፣ ንሃገር ኒምሮድ ከኣ ኣብ
ደጌታታ ኺጥፍእወን እዮም። ንሱ ናብ ሃገርና ምስ መጸ፣ ኣብ ዶብና ድማ ምስ ረገጸ፣ ካብቲ ኣሶራዊ
ኺናግፈና እዩ። 7 እቲ ተረፍ ያእቆብ ኣብ ማእከል ብዙሓት ህዝብታት ከምቲ ንሰብ ዘይጽበ፣ ብደቂ ሰብ
ከኣ ተስፋ ዘይገብር፣ ከም ኣውሊ ኻብ እግዚኣብሄር፣ ከም ካፋ ኣብ ሳዕሪ ኪኸውን እዩ። 8 እቲ ተረፍ
ያእቆብ ከኣ ኣብ መንጎ ኣህዛብ፣ ኣብ ማእከል ብዙሓት ህዝብታት ከም ኣንበሳ ኣብ ማእከል እንስሳ ዱር፣
ከም ሽደን ኣብ ማእከል መጓሰ ኣባጊዕ ኪኸውን እዩ። ንሱ ኺሐልፍ ከሎ፣ ይረጋግጽን ይሰላልዕን ዜናግፍ

ድማ የልቦን። 9 ኢድካ ኣብ ልዕሊ ተጻረርትኻ ልዕል ትበል፣ ኵሎም ጸላእትኻውን ይጽነቱ። 10
እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኪኸውን እዩ፣ ነፍራስካ ካብ ማእከልካ
ኸጥፍኦም፣ ንሰረገላታትካ ኸኣ ከሰባብሮ እየ። 11 ንኸተማታት ሃገርካ ኸጥፍኤን፣ ንኹሉ ዕርድታትካ
ድማ ከፍርሶ እየ። 12 ካብ ኢድካ ኣስማትነት ከጥፍእ እየ፣ ጠንቈልቲ ኸኣ ኣይኪህልዉኻን እዮም። 13 ነቲ
ጽሩብ ምስልታትካን ሓወልትታትካን ካብ ማእከልካ ኸጥፍእ እየ። ድርሕዚውን ነቲ ሰራሕ ኣእዳውካ
ኣይክትሰግደሉን ኢኻ። 14 ነተን ኣስታርቴታትካ ኻብ ማእከልካ ኽምንቀሰን፣ ንኸተማታትካ ኸኣ
ከፍርሰን እየ። 15 ኣብቶም ዘይሰምዑ ህዝብታትውን ብቝጥዓን ብነድርን ሕነ ኽፈዲ እየ።

## ምዕራፍ 6

1 እቲ እግዚኣብሄር ዚዛረቦ ስምዑ፣ ተንስእ፣ ኣብ ቅድሚ ኣኽራን ፍረድ፣ ንኹድኹዶታት ከኣ ደሃይካ
ኣስምዓዮም። 2 እግዚኣብሄር ምስ ህዝቡ ነገር ኣለዎ፣ ምስ ኣስራኤል ድማ ኪካታዕ እዩ እሞ፣ ኣቱም
ኣኽራን፣ ንስኻትኩምውን ጽኑዓት መሰረት ምድሪ፣ ነገር እግዚኣብሄር ስምዑ። 3 ኣታ ህዝበይ፣ እንታይ
ገይረካ እየ ብምንታይከ ኣድከምኩኻ እስኪ መስክረለይ። 4 ኣነ ካብ ሃገር ግብጺ ኣውጻኤካ፣ ካብ ቤት
ባርናት ኣድሒነካ፣ ንሙሴን ኣሮንን ሚርያምን ከኣ ቀቅድሜኻ ሰዲደዮም እየ እሞ፣ 5 ኣታ ህዝበይ፣
ጽድቂ እግዚኣብሄር ክትፈልጥሲ፣ ነቲ ባላቅ ንጉስ ሞኣብ ዝመኸሮ፣ በለዓም ወዲ ቤዖር ከኣ ዝመለሰሉ፣
ካብ ሺጢም ክሳዕ ጊጋል ዝኾነውን ዘክር። 6 ናብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እንታይ ሒዘ ክመጽእ ከመይ
ገይረኸ ኣብ ቅድሚ ልዑል ኣምላኽ ክሰግድ እየ፣ ዚሐርር መስዋእትን ኣባታይ ሓደ ዓመትን ከቕርብዶ
ናብ ቅድሚኡ ኽመጽእ እየ፣ 7 እግዚኣብሄርዶ በሽሓት ደዓውልን በእላፋት ወሓይዝ ዘይትን ባህ ይብሎ
እዩ ስለ በደለይ በዅሪ ወደይ፣ ስለ ሓጢኣት ነፍሰይ ከኣ ፍረ ኸርሰይዶ ኽውፊ እየ 8 ኣታ ሰብ፣ ንሱ
ሰናይ ዘበለ ኣፍለጠካ፣ እግዚኣብሄርሲ፣ ቅንዕና ኽትገብር፣ ምሕረት ከኣ ክትፈቱ፣ ምስ ኣምላኽካውን
ብትሕትና ኽትመላለስ እንተ ዘይኰኑስ፣ ካባኻ ዚደልዮ እንታይ እዩ 9 ደሃይ እግዚኣብሄር ነታ ኸተማ
ይጽውዓ ጥበብ ከኣ ንስምካ ኽትርኢ እያ። ነቲ ሸቦጥን ነቲ ዘዳለዎን ስምዑ። 10 እቲ መዛግብ ረሲእነትን
እቲ ጽዩፍ ጒደሎ ኤፋንዶ ገና ኣብ ቤት ረሲእ ኣሎ እዩ 11 ኣነዶ ብሚዛን ረሲእነን በቲ ኸረጺት ጠባሪ
መምዘንን ንጹህ ክኸውን እየ 12 እቶም ሃብታማታ ዓመጽ ዝመልኡ እዮም፣ እቶም ኣብኣ ዚነብሩ ድማ
ሓሶት ይዛረቡ፣ ልሳኖምውን ኣብ ኣፎም መታለሊት እያ። 13 ስለዚ ኣነ ድማ ብሰሪ ሓጢኣትካ ክሳዕ
እትደክምን እትፈርስን ከወቕዓካ እየ። 14 ንስኻ ትበልዕ፣ ግናኸ ኣይትጸግብን፣ ውርደትካ ኣብ ውሽጥኻ
ኪኸውን እዩ፣ ትሕዝ፣ ግናኸ ኣይተድሕንን፣ እቲ ዘድሐንካዮ ኸኣ ንኣደዳ ሰይፊ ኽምጥዎ እየ። 15 ንስኻ
ትዘርእ፣ ግናኸ ኣይትዐጽድን፣ ፍረ ኣውልዕ ትጒድእ፣ ግናኸ ዘይቲ ኣይትልከን። ኰልዒ ወይኒ ትጸምቝ፣
ወይኒ ግና ኣይትሰትን። 16 ኣነ ንኣኺ መሰክሒ ፣ነቶም ኣብኣ ዚነብሩ ኸኣ ንፋጻ ኽገብርሲ፣ ስርዓት
ኦምርን ኵሉ ግብሪ ቤት ኣሃብን ይሕልዉ፣ ንስኻትኩም ድማ ብምኽሮም ትመላለሱ ኣሎኹም እሞ፣
ጸርፊ ህዝበይ ክትጾሩ ኢኹም።

## ምዕራፍ 7

1 ኣነ ኽምቲ ፍረ ቀውዒ ምስ ተቖንጠበን፣ ከምቲ ድሕሪ ምብታኽ ወይኒ ቐሪም ምስ ተቐረመን፣ ዚብላዕ
ዘለላ ዜብለይ ኰይነ እየ እሞ፣ ወይለይ፣ እታ ነፍሰይ እተትምነየታ በዅሪ ፍረ በለስ እኳ የላን። 2 ጻድቕ

ካብ ምድሪ ጠፍኤ፣ ኣብ ማእከል ሰብ ድማ ቅኑዕ የልቦን። ኵላቶም ንደም የድብዩ፣ ነፍሲ ወከፍ ንሓዉ
ብመርበብ ይሃድኖ። [3] ተጠንቂቖም ኪገብርዎስ፣ ኣእዳዎም ንኽፉእ ድልዋት እየን። መስፍን፣ ሀቡኒ፣
ይብል፣ ፈራዲ ኸኣ ብረብሓ ይፈርድ፣ ዓብዩውን ህርፋን ነፍሱ ይዛረብ፣ በዚ ድማ ክፍኣት ይጕንጕኑ። [4]
እቲ ካባታቶም ዝሔሸ ኸም ተኾርባ እዩ፣ እቲ ዝቐንዔ ኸኣ ካብ ሓጹር እሾኽ ይገድድ፣ እታ መዓልቲ
ሓለውትኻ፣ እታ መዓትካ፣ መጸት፣ ሕጂ ኺሸበሩ እዮም። [5-6] ወዲ ነቦኡ ይንዕቕ፣ ጓል ኣብ ልዕሊ ኣዲኣ፣
መርዓት ከኣ ኣብ ልዕሊ ሓማት ይለዐላ፣ ንሰብ ጸላእቱ ቤተ ሰቡ ኾይኖም እዮም እሞ፣ ንብጻይ
ኣይትእመንዎ፣ ብፈታዊ ድማ ኣይትተኣመኑ፣ ኣብ ቅድሚ እታ ኣብ ሕቝፍኻ እትዐርፍውን ደገ ኣፍካ
ሐሉ። [7] ኣነ ግና ናብ እግዚኣብሄር እጥምት፣ ንኣምላኽ ምድሓነይ ድማ ተስፋ እገብር ኣሎኹ፣
ኣምላኸይውን ኪሰምዓኒ እዩ። [8] ኣቲ ጸላኢተይ፣ እንተ ወደቕኩ ኽትንስእ እየ፣ ኣብ ጸልማት እንተ
ተቐመጥኩውን፣ እግዚኣብሄር ብርሃነይ እዩ እሞ፣ ብኣይ ኣይትተሐጐሲ። [9] ንእግዚኣብሄር በዲለዮ እየ
እሞ፣ ንሱ ነገረይ ክሳዕ ዚሕዘለይ ፍትሒውን ክሳዕ ዜውጽኣለይ፣ ንቝጥዓኡ ክጽመሞ እየ። ናብ ብርሃን
ኬውጽኣኒ እዩ፣ ጽድቁውን ክርኢ እየ። [10] ሽዑ እታ፣ ኣበይ ኣሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ፣ ዝበለትኒ
ጸላኢተይ ክትርእዮን ሓፍረት ክትክደንን እያ። ኣዒንተይ ኪርእያኣ እየን፣ ሕጂ ኸም ጭቃ መገዲ
ኽትርገጽ እያ። [11] እታ መከበብያኺ እትስርሓላ መዓልቲ ኽትመጽእ እያ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ እቲ ዶብ
ኪርሕቕ እዩ። [12] በታ መዓልቲ እቲኣ ካብ ኣሶርን ካብ ከተማታት ግብጽን፣ ካብ ግብጺ ድማ ክሳዕ እቲ
ርባ፣ ካብ ባሕሪ ኽሳዕ ባሕሪ፣ ካብ ከረንውን ክሳዕ ከረን ናባኺ ኺመጹ እዮም። [13] እታ ሃገር ግና
ንምኽንያት እቶም ኣብኣ ዚነብሩን ብሰሪ ፍረ ግብሮምን ክትባድም እያ። [14] ንህዝብኻ፣ ነታ ኣብ ዱር፣
ኣብ ማእከል ቀርሜሎስ ንበይና እትነብር ዘላ መጓሰ ርስትኻ ብበትርኻ ጓሲ። ከምቲ ናይ ቀደም ዘመን
ኣብ ባሳንን ኣብ ጊልዓድን ጓስዮ። [15] ከምቲ በተን ካብ ሃገር ግብጺ ዝወጻእካለን መዓልታት፣ ተኣምራት
ከርእዮም እየ። [16] ኣህዛብ ኪርእዩ፣ ብሓይሎም ዘበለ ኸሉውን ኪሐንኩ እዮም። ኢዶም ኣብ ኣፎም
ኬንብሩ፣ ኣእዛኖም ኪጸሙ እዮም። [17] ከም ተመን ሓመድ ኪልሕሱ፣ ከም ለመምታ ምድሪ
እናንቀጥቀጡ ኻብ ቤቶም ኪወጹ፣ ራዕራዕ እናበሉ ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኽና ኺመጹ፣ ንኣኻውን
ኪፈርሁ እዮም። [18] ከማኻ ዝበለ ኣምላኽ፣ ኣበሳ ዚሐድግ፣ ነቲ በደል ካብቶም ተረፍ ርስቱ ዜሕልፍ መን
እዩ፣ ምሕረት እዩ ዚፈቱ እሞ፣ ኵራኡ ንዘለኣለም ኣይዐቍርን። [19] መሊሱ ይርሕርሓልና፣ ንኣበሳና ኣብ
ትሕቲ እግሩ ይረግጾ። ንኹሉ ሓጢኣቶም ናብ መዓሙቝ ባሕሪ ትድርብዮ። [20] ነቲ ኻብ ዘመን ጥንቲ
ጀሚርካ ነቦታትና ዝመሐልካሎም፣ ሓቂ ንያእቆብ፣ ምሕረት ከኣ ንኣብርሃም ክትገብረሎም ኢኻ።

# ትንቢት ናሆም

## ምዕራፍ 1

1 ጾር ነነዌ። መጽሓፍ ናሆም ኣልቆሻዊ። 2 እግዚኣብሄር ቀናእን ፈዳይ ሕነን ኣምላኽ እዩ።እግዚኣብሄር
ፈዳይ ሕነን ቍጥዓ ዝመልኤን እዩ። እግዚኣብሄር ንተጻረርቱ ሕነ ይፈድዮም፣ ንጸላእቱ ኸኣ ይቕየሞም።
3 እግዚኣብሄር ንኹራ ደንጓይን ብዓል ዓብዪ ሓይልን እዩ፣ ነቲ በዳሊ ከቶ ኸም ንጹህ ኣይቈጽሮን፣
እግዚኣብሄር ብሸምበባን ብህቦብላን እዩ መገዱ፣ ደበና ኸኣ ተጐጓ ኣእጋሩ እዩ። 4 ነቲ ባሕሪ ይገንሖን
የንቅጾን፣ ንኹሉ ርባታት የንጽፎ፣ ባሳንን ቀርሜሎስን ጸምለዉ፣ ዕምባባ ሊባኖስውን ጸምለወ። 5
ኣኽራን ኣብ ቅድሚኡ የንቀጥቅጡ፣ ኵርባታት ከኣ ይመኩ፣ ምድርን ዓለምን ኣብኣ ዚነብሩ ኹላቶምን
ኣብ ቅድሚኡ ይናወጹ። 6 ኣብ ቅድሚ ኹራኡ ደው ዚብል መን እዩ ኣብ ረስኒ ቍጥዓኡስ መን
ይቐውም፣ ነድሩ ኸም ሓዊ ይልሕም ነኻውሕውን ይጭንድሖ። 7 እግዚኣብሄር ሰናይ እዩ፣ ብመዓልቲ
ጸበባ ዕርዲ እዩ፣ ነቶም ኣብኡ እተማዕቈቡ ድማ ይፈልጦም እዩ። 8 ንሱ ነቲ ቦታኣ ብዚድምስስ ውሒዝ
ጥራስ ኬጥፍኣ ኣዩ፣ ንጸላኣቱ ኸኣ ናብ ጸልማት ኪሰጎም እዩ። 9 ኣንጻር እግዚኣብሄር እንታይ ትሓስቡ
ንሱስ ብጥራስ ኬጥፉኣ እዩ፣ ጸበባ ኻልኣይ ሳዕ ኣይኪለዐልን እዩ። 10 ምንም እኳ ኸም እሾኹ እንተ
ተተናነጉ፣ ብወይኖምውን እንተ ሰኸሩ፣ ከም ንቑጽ ብርዒ ብጥራስ ሞኾ ኪብሉ እዮም። 11 እቲ
ንእግዚኣብሄር እከይ ዝሐስበሉ፣ ሕሰም ከኣ ዚመኸረሉ፣ ካባኻ ወጸ። 12 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ ምንም እኳ ሓያላትን ብዙሓት እንተ ኾኑ፣ ኪዕጸዱ እዮም፣ ንሱውን ኪጠፍእ እዩ። ኣነ
ኣጨነቕኩኻ፣ ድሕሪ ደጊምሲ ኣይከጨንቐካን እየ። 13 ሕጂ ድማ ኣርዑቱ ካባኻ ኽሰብር እየ፣
ንማእሰሪታትካ ኸኣ ክበታትኾ እየ። 14 እግዚኣብሄር ድሕርዚ ኻብ ስምካ ኣይዘራእ፣ ኣነ ነቲ ቕሩጽ
ምስልን ነቲ ፍሱስ ምስልን ካብ ቤት ኣማልኽትኻ ኽጥፍኦ እየ፣ እትነዐቕ ኢኻ እሞ፣መቓብር ክገብረልካ
እየ፣ ኢሉ ብዛዕባኻ ኣዘዘ። 15 እንሆ ኣእጋር እቲ ብስራት ዜበስር፣ ሰላም ከኣ ዜውሪ ኣብ ኣኽራን ኣለዋ።
ደጊምሲ እቲ ሕሱም ኣብ ማእከልካ ኣይኪሐልፍን ብጥራስ ከኣ ጸኒቱ እዩ እሞ፣ ዎ ይሁዳ፣ በዓላትካ
ኣብዕል፣ መብጽዓኻ ፈጽም።

## ምዕራፍ 2

1-2 ዘረፍቲ ስለ ዝዘረፍዎምን፣ ንሓረግ ወይኖም ስለ ዘብረስዎን፣ እግዚኣብሄር፣ ከምቲ ኽብረት
እስራኤል፣ ንኽብረት ያእቆብ ኪመልሶ እዩ እሞ፣ እቲ መብረሲ ይድይበካ ኣሎ፣ ነቲ ዕርዲ ሐልዎ፣ ነቲ
መገዲ ኣማዕድዎ፣ ሕቛኻ ኣደልድሎ፣ ሓይልኻ ኣዚኻ ኣበርትዓዮ። 3 እቲ ዋልታ ሓያላቱ ቐሔ፣ እቶም
ተዋጋእቲ ሰብ ቀይሕ ተኸድኑ: በታ መዓልቲ ምድላው ሰረገላታቱ ኸም ሃልሃልታ ሓዊ እየን፣ እቲ
ዛብያታት ይንብጥበጥ። 4 እተን ሰረገላታት ኣብ መገዲ ብናህሪ ይኸዳ፣ ኣብ ኣደባባያት ይጋጨዋ፣
ትርኢተን ከም ሃልሃልታ እዩ፣ ከም መባርቕ ድማ ይጐያ። 5 ንኸበርቴታቱ ይዝክር፣ ኪኸዱ ኸለዉ
ይዕንቀፉ፣ ናብ መካበብያኣ ኣቢሎም ይቕልጥፉ፣ መጸግዒ ድማ ተዳለወ። 6 ደጌታት ወሓይዝ ይኽፈት፣
እቲ ኣደራሽ ከኣ ይመክኽ። 7 ክዉን እዩ፣ ጥራያ ኾይና ተማረኸት፣ ኣግራዳ ድማ ኣፍ ልበን እናወቕዓ
ብደሃይ ርግቢ ዋይዋይ ይብላ ኣለዋ። 8 ነነዌ ኻብ ጥንቲ ጀሚራ ኸም ማይ ዝመልኤ ሓጽቢ ነበረት፣

ግናኸ ሀደሙ። ደው በሉ፣ ደው በሉ፣ በልዎም፣ ግልብጥ ዝበለ ግና የልቦን። 9 እቲ መዝገብ፣ ድልቢ እቲ
በብዓይነቱ ዘሎ ኽቡር ኣቓሑ፣ ታእላው የብሉን እሞ፣ ብሩር ዝመቱ፣ ወርቂ ዝመቱ። 10 ባዶን ጥራያን
ኰነት፣ ባደመት፣ ልቢ መኸኸ፣ ኣብራኽ ከኣ ራዕራዕ በለ፣ ኹሉ ሕቘ ሐመመ፣ ገጽ ኵሎምውን ጸለመ።
11 እቲ ሸደናት ዘበልዑሉ ኣንበሳን ዋዕሮን ኰራኵር ኣንበሳን ድማ መፍርሂ ዜብሎም ኰይኖም
ዚዛውኑሉ ቦታ ኣናብስ ኣበይ ኣሎ 12 ኣንበሳ ንኹራኵር ዚኣኽሎም ዘረፈ፣ ንዋዕሮታቱ ኸኣ ሐነቐለን፣
በዓትታቱ ብግዳዩ፣ ጒደጒዱ ኸኣ ብዝዘረፎ መልአ። 13 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣እኔኹ ፣ ኣብ
ልዕሌኺ እየ፣ ንዓረብያታት ኣንዲደ ኽትክኾ እየ። ነቶም ኰረኵር ኣናብስኪ ሰይፊ ኺወሕጦም እዩ፣
ንዝዘመትክዮ ካብ ምድሪ ኽጥፍኦ እየ፣ ድሕርዚ ድምጺ ልኡኻትኪ ኣይኪስማዕን እዩ፣ ይብል ኣሎ።

# ምዕራፍ 3

1 እታ ሓሶትን ዓመጽን ዝመልኤት፣ ምዝራፍ ከኣ ዘይትሐድግ ከተማ ደም ወይለኣ። 2 ደሃይ ሓለንግን
ደሃይ እቲ ድዋዕዋዕ ዜብል መንኰራዅርን ጋልበት ኣፍራስን ዚጒያ ዓረብያታትን ይስማዕ። 3 ጋልበት
ፈረሰኛታትን ሃልሃልታ ሰይፍን መብረቕ ዅናትን ምብዛሕ ቅቱላትን ኵምራ ምዉታትን ቍጽሪ ዜብሎም
ሬሳታትን ኰነ፣ ብሬሳታቶም ድማ ይዕንቀፉ። 4 እዚ ኸኣ ብሰሪ እቲ ብዝሒ ምንዝርና ናይታ ንህዝብታት
ብምንዝርና፣ ንዓሌታት ከኣ ብጠንቈላ እትሸይጥ መልክዔኛ ኣመንዝራ፣ ፈላጥ ጠንቋሊት እዩ። 5
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እኔኹ ኣንጻርኪ እየ፣ ኣነ ንዘፈር ክዳንኪ ኣብ ልዕሊ
ገጽኪ ክቐልዖ፣ ንህዝብታት ዕርቃንኪ፣ ንመንግስትታት ከኣ ነውርኺ ኽርእዮም እየ። 6 ርኽሰት ኣባኺ
ኽድርቢ፣ ንዕቕቲ ኽገብረኪ፣ መላገጺ ኽትኰኒውን ክውፍየኪ እየ። 7 ኪኸውን ድማ እዩ፣ ዚርእዩኺ
ዘበሉ ዅላቶም ካባኺ ኪሀድሙ እሞ፣ ነነዌ ባደመት፣ መንከ ይበኽየላ ዜጸናንዑኺ ኻበይ ክደልየልኪ
እየ ኪብሉ እዮም። 8 ንስኺዶ ኻብቲ ኣብ መንጎ ርባታት እተቐመጠት፣ ማያት ዝኸበበ፣ ቀጽራ ባሕሪ፣
መካባብያ ኸኣ ባሕሪ ዝኾነ ኖኣሞን ትበልጺ ኢኺ 9 ኢትዮጵያን ግብጽን መወዳእታ ዜብሉ ሓይሊ
ነበሩ፣ ፉጥን ሊብያን ሓገዝትኺ ነበሩ። 10 ግናኸ ንሳ ተሰደትን ተማረኸትን፣ ሕጻናታ ድማ ኣብ ርእሲ
ኹሉ መገድታት ተጨፍለቑ። ኣብቶም ክቡራት ሰባታ ኸኣ ዕጭ ኣውደቑ፣ ኵላቶም ዓበይቲ ሰባውን
ብመቑሕ ተኣስሩ። 11 ንስኺ ድማ ክትሰኽርን ክትሕብእን ኢኺ፣ ንስኺውን ኣብ ቅድሚ ጸላኢ ዕሩድ
ቦታ ኽትደልዪ ኢኺ። 12 ኵሉ ዕርድታትኪ ኸም በዅሪ ፍረ ዘለዎ ኣእዋም በለስ እዩ፣ ሰሰው እንተ
ኣበልካያ፣ ኣብ ኣፍ እቲ በላዒ ይረግፍ። 13 እንሆ ህዝብኺ ኣብ ማእከልኪ ኣንስቲ ኾኑ። እተን ደጌታት
ሃገርኪ ንጸላእትኺ ኽፉታት እየን፣ ነቲ መሃርሃሪታትኪ ሓዊ በልዖ። 14 ክትክበቢ ኢኺ እሞ፣ ማይ
ቅድሒ፣ ዕርድኺ ኣጽንዒ፣ ኣብ ጭቃ እተዊ፣ መሬት ርገጺ፣ መስርሕ ጡብ ከኣ ኣጣጥኢ። 15 ኣብኡ ሓዊ
ኺበልዓኪ፣ ሰይፊ ኼጥፍኣኪ፣ ከም ኵብኵብታ ኺበልዓኪ እዩ። ከም ኵብኵብታ ብዝሒ፣ ከም ኣንበጣ
ብዝሒ። 16 ንነጋዶኺ ካብ ከዋኽብቲ ሰማይ ኣብዛሕክዮም። ኵብኵብታ ፋሕ ይብል፣ ነፊሩውን
ይኸይድ። 17 እቶም ዘውዲ ዝደፍኡ ኣባኺ ዘለዉ ኸም ኣንበጣ፣ እቶም ሓላቑኺ ድማ ከምቲ ብመዓልቲ
ቍሪ ኣብ ሓጹር ዚሰፍር ጭፍራ ዅብኵብታ እዮም። ጸሓይ ምስ በረቕት፣ ይሀድሙ፣ ኣበይ ከም ዝነብሩ
ቦታኦም ኣይፍለጥን እዩ። 18 ዎ ንጉስ ኣሶር፣ ጓሶትካ ደቀሱ፣ እቶም ከበርቴታትካ ዐረፉ፣ ህዝብኻ ኣብ
ኣኽራን ፋሕ በሉ፣ ዚእክቦም ድማ የልቦን። 19 እከይካ ኹሉ ጊዜ ብልዕሊኡ ዘይሐለፎ መን እዩ ስለዚ
ንቝስልኻ ፈውሲ የብሉን፣ መውቃዕትኻ ብርቱዕ እዩ፣ እቶም ወሬኻ ዝሰምዑ ዅላቶም ኣእዳዎም
ኣጣቕዑልካ።

# ትንቢት ዕንባቆም

## ምዕራፍ 1

1 ነብዩ ኣንባቆም ዝረኣዮ ጾር እዚ እዩ። 2 ዎ እግዚኣብሄር፣ ንስኻ ኽይሰማዕካንስ፣ ክሳዕ መኣዝ ከእዊ እየ
ኣነ፣ ዓመጽ፣ ኢለ ናባኻ ኣእዊኹ፣ ንስኻውን ኣየድሐንካን። 3 ስለምንታይ ኣበሳ እተርእየኒ፣ ንስኻስ ሕሰም
እትጥምት ምዝራፍን ዓመጽን ኣብ ቅድመይ እዩ፣ ባእስን ክርክርን ይለዐል ኣሎ። 4 ስለዚ ሕጊ ደኺመ፣
ፍትሒውን ከቶ ኣይወጽእን። እቲ ረሲእ ነቲ ጻድቕ ከቢብዎ እዩ እሞ፣ ስለዚ ፍርዲ ቐኒኑ ይወጽእ ኣሎ። 5
እንተ ነገሩኹም እኳ ዘይተኣምንዎ ግብሪ ብመዓልትታትኩም እገብር ኣሎኹ እሞ፣ ኣብ ማእከል ኣህዛብ
ርኣዩን ጠምቱን፣ ተገረሙ ተደነቑውን። 6 እንሆ፣ ዘይናቶም መናበሪ ኺወርሱ፣ ኣብ ስፍሒ ምድሪ ዚኸዱ
መረርትን ፍጡናትን ህዝቢ ከለዳውያን ከተንስእ እየ። 7 ንሳቶም ዜፍርሁን ዜሰምብዱን እዮም፣
ፍርዶምን ክብረቶምን ካባታቶም ይወጽእ። 8 ኣፍራሶም ካብ ነብሪ ይቕልጥፉ፣ ካብ ቶኹላ ምሸት
ይፈጥኑ፣ ፈረሰኛታቶም ይዝርግሑ፣ ፈረሰኛታቶም ካብ ርሑቕ ይመጹ፣ ከምቲ ናብ ምብላዕ ዚቕልጥፍ
ንስሪ ይነፍሩ። 9 ኵላቶም ኪዕምጹ ይመጹ፣ ትምኒት ገጾም ናብ ቅድሚኦም እዩ፣ ከም ሑጻ ዝምብዝሖም
ይማርኹ። 10 ንነገስታት የላግጹሎም፣ መሳፍንቲ ኸኣ መስሓቒ ይኹንዎ። ብዅሉ ዕርድታት ይስሕቑ፣
መሬት ይእክቡ፣ ይወስድዎ ኸኣ። 11 ሽዑ ኸም ንፋስ ይሐልፍ፣ ንኸንየው ይሐልፍ፣ በዳሊ ኸኣ ይኸውን፣
ሓይሉ ድማ ኣምላኹ እዩ። 12 ዎ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ፣ ቅዱሰይን፣ ካብ ጥንቲ ንስኻዶ ኣይኰንካን
ንሕና ኣይንመውትን። ዎ እግዚኣብሄር፣ ንፍርዲ ኣንበርካዮም፣ ኣታ ኸውሒ፣ ንመቕጻዕቲ ሰረትካዮም።
13 ኣዒንትኻ እኩይ ንምርኣይ ኣዝየን ጽሩያት እየን፣ ኣበሳ ኽትጥምት ኣይኰነልካን። ስለምንታይ ነቶም
ጠለምቲ እትጥምቶም ከመይከ እቲ ረሲእ ነቲ ካብኡ ዚጻድቕ ኪውሕጦ ኸሎ ትም እትብል። 14
ከምይሲ ንሰባት ከምቶም ዓሳ ባሕርን ከምቶም ገዛኢ ዜብሎም ለመምታን እትገብሮም 15 ንዅላቶም
ብመቕለብ ኣውጽኦም፣ ብመርበቡ ሰሓቦም፣ ብመግፈፊኡ ድማ ኣከቦም፣ ስለዚ ባህ ኢልዎ እልል
ይብል። 16 ስለዚ ንመርበቡ መስዋእቲ የቕርበሉ፣ ንመግፈፊኡ ድማ ዕጣን ይዐጥን ኣሎ፣ እዚኸኣ
ብኣታቶም ግዲኡ ስለ ዝሰብሐሉ፣ ምግቡውን ስለ ዝጠዐመሉ እዩ። 17 ስለዚዶ መርበቡ ኼዕርቕ እዩ ኵሉ
ጊዜዶኸ ንህዝብታት ብዘይ ምሕረት ኪቕትል እዩ

## ምዕራፍ 2

1 ብዛዕባ እቲ ኽትዔይ ንሱ እንይታ ከም ዚዛረበንን ኣነ እንታይ ከም ዝመልሰሉን ተተንቂቐ ኽርእስ፣
ኣብቲ መሓለውየይ ደው ክብል፣ ኣብ ልዕሊ ግምቢውን ክቐውም እየ። 2-3 እግዚኣብሄር ድማ፣ እቲ
ራእይ ንምዱብ ጊዜ እዩ፣ ናብ መወዳእታ ይቕልጥፍ ኣሎ፣ ኣይሕሱን ከኣ እዩ። ብርግጽ ኪመጽእ
ኣይኪድንጕን ድማ እዩ እሞ፣ እንተ ደንጐየ እኳ ተጸበዮ። ስለዚ ብጕያ ኺንበብሲ፣ ነቲ ራእይ ጽሐፎ፣
ኣብ ሰሌዳታትውን ቅረጾ፣ ኢሉ መለሰለይ። 4 እንሆ፣ ነፍሱ ተነፊሓ ኣብኣውን ዘይቅንዕቲ እያ። ጻድቕ ግና
ብእምነቱ ይነብር። 5 ወይኒ ኸኣ መጋገዪ እዩ፣ እቲ ዕቡይ ሰብ ኣብ ስፍራኡ ኣይሀድእን፣ ነፍሱ ኸም
ሲኦል የግፍሀ፣ ከም ሞት እዩ እሞ ኣይጸግብን፣ ንዅላቶም ኣህዛብ ናብኡ ይእክቦም፣ ንዅላቶም
ህዝብታት ከኣ ናብኡ ይኣካኽቦም። 6 እዚኣቶም ኵላቶም፣ እቲ ዘይናቱ ዚእክብ፣ ኣብ ርእሱ ኸኣ ዕርቡን

ዚጸውር ወይለኡ፣ ክሳዕ መኣዝከ እዩ እናበሉ ብምስላን ብምሳሌ ጸርፍንዶ ኣየልዕልዎን እዮም 7 እቶም
ዚነኽሱኻዶ ብድንገት ኣይትንስኡን እቶም ዚንዝንዙኻስ ኣይነቕሑንዶ እዮም ንስኻውን ዘመቲኦም
ክትከውን ኢኻ። 8 ንስኻ ብዙሓት ኣህዛብ ስለ ዝዘመትካ፣ እቶም ዝተረፉ ህዝብታት ድማ ኵላቶም ንኣኻ
ብሰሪ ደም ሰብን ብሰሪ እቲ ንሃገርን ከተማን ኣብኣተን ዚነብሩ ዅላቶምን እተገብረ ዓመጻን ኪዘምቱኻ
እዮም። 9-11 እምኒ ካብ መንደቕ ኬእዊ፣ እቲ መጋጠሚ ድማ ካብ ዕጨይቲ ኺመልሰሉ እዩ እሞ፣ እቲ
ንቤቱ ልዕል ኬብል፣ ካብ ኢድ መዓት ከኣ ኪድሕን ኢሉ ንቤቱ ኽፉእ ረብሓ ዚሀርፍ ወይለኡ።
ንብዙሓት ህዝብታት ብምጥፋእካ ንቤትካ ነውሪ መኸርካላ፣ ንነፍስኻውን ሓጢእካ። 12-14 ከምቲ ማያት
ንመዓሙቕ ባህሪ ዜጕልብቦ፣ ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ እግዚኣብሄር ክትመልእ እያ እሞ፣ እቲ ንኸተማ
ብደም ዚሀንጽ፣ ንዓዲ ኸኣ ብኣበሳ ዜጽንዕ ወይለኡ። እንሆ፣ ህዝብታት ንሓዊ ዚጽዕሩ፣ ኣህዛብ ከኣ
ንኸንቱ ዚደኽሙስ ካብ ጐይታ ሰራዊትዶ ኣይኰነን 15-17 ብሰሪ ደም ሰብን ብሰሪ እቲ ንሃገርን ከተማን
ኣብኣተን ዚነብሩ ዅላቶምን እተገብረ ዓመጻን፣ እቲ ንሊባኖስ ዝዐመጽካያን እቲ ንእንስሳታት ዜስክሕ
ጥፍኣት ዝገበርካዮን ኬጕልብበካ እዩ እሞ፣ እቲ ንብጻዩ ዜስትዮን፣ ዕርቃኑ ኺርእስ ዜስክሮን መርዚ
ዜቕርበሉን ወይለኡ። ንስኻ ድማ ስተ፣ ነቲ ዘይግዙር ምኽንካውን ቅልዓዮ፣ እቲ ጽዋእ የማን ኢድ
እግዚኣብሄር ኪምለሰካ፣ ኣብ ሊዕሊ ኽብርኻ ድማ ነውራም ትፋእ ኪኹነካ እዩ። 18 እቲ ቐራጺኡ
ዚቐርጾ ቕሩጽ ምስልስ እንታይ ይጠቅም እቲ ዓያዪ ዓባስ ጣኦታት ገይሩ ብዕዮኡ ዚእመንከ እቲ ፍሱስ
ምስልን መምህር ሓሶትን እንታይ ይጠቅም 19 እቲ ንዕጨይቲ፣ ንቓሕ፣ ንዓባስ እምኒ ኸኣ፣ ተንስእ፣
ዚብል ወይለኡ። ንሱዶ ይምህር እዩ እንሆ፣ ንሱ ብወርቅን ብብሩርን ልቡጥ እዩ። 20 ግናኸ እግዚኣብሄር
ኣብ ቅዱስ መቕደሱ እዩ፣ ኵላ ምድሪ ኣብ ቅድሚኡ ስቕ ትበል።

## ምዕራፍ 3

1 ጸሎት ነብዪ ኣንባቆም ብሺግዮኖት። 2 ዎ እግዚኣብሄር፣ እቲ ዘስማዕካኒ ሰማዕኩ ፈራህኩውን። ዎ
እግዚኣብሄር፣ ንዕዮኻ ኣብ ማእከል ዓመታት ህያው ግበሮ፣ ኣብ ማእከል ዓመታት ኣፍልጦ፣ ብቝጥዓ
ኸኣ ምሕረት ዘክር። 3 እግዚኣብሄር ካብ ቴማን፣ እቲ ቅዱስ ከኣ ካብ ከረን ፋራን መጸ። ክብረቱ ሰማያት
ከደነ፣ ምድሪ ድማ ብምስጋናኡ መልኤት። 4 ምንጽብራቑ ኸም ብርሃን ነበረ፣ ካብ ኢዱ ጨረራታት ወጸ፣
ሓይሉውን ኣብኡ ተሐብኤ። 5 ቀቅድሚኡ ፌራ ኸደ፣ ረስኒ ድማ እግረ እግሩ ወጸ። 6 ደው በለ፣
ንምድሪውን ለከዓ፣ ጠመተ፣ ነህዛብ ከኣ ኣንቀጥቀጦም፣ እቶም ዘለኣለማውያን ኣኽራን ፈረሱ፣ እቶም
ጥንታውያን ኵርባታት ድማ ለጠቕ በሉ፣ መገድታቱ ካብ ዘለኣለም እዩ። 7 ድንኳናት ኢትዮጵያ ኺጭነቑ
ኸለዉ ርኤኽዎም፣ መጋረጃታት ሃገር ሚድያን ኣንፈጥፈጡ። 8 እግዚኣብሄርዶ ንርባታት ተቘጢዕዎ እዩ
በፍራስካ፣ ንባይ ምድሓን ሰረገላታትካ እትኸይድሲ፣ ኵራኻዶ ኣብ ልዕሊ ርባታት፣ ቍጥዓኻስ ኣብ
ልዕሊ ባሕሪዶ ኾይኑ እዩ 9 ከምቲ ብቓልካ ዝመሐልካዮ፣ ኢድካ ኣውጺእካ ነቶም ነገድ ቀስትኻ
ገተርካሎም። ንምድሪ ሰንጢቕካ ርባታት ኣውጻእካ። 10 እቶም ኣኽራን ረኣዩኻ እሞ ኣንቀጥቀጡ፣ ሞገድ
ማያት ሐለፈ፣ መዓሙቕ ድምጺ ኣስምዔ፣ ኣእዳዉ ኸኣ ናብ ላዕሊ ኣልዐለ። 11 ጸሓይን ወርሕን ኣብ
ስፍራኤን ቔማ፣ ብብርሃን ፍላጻታትካን ብምንጽብራቕ ማሕማሕ ዚብል ኵናትካን ከዱ። 12 ንምድሪ
ብኹራ ሐለፍካያ፣ ነህዛብ ብቝጥዓ ኣኼድካዮም። 13 ንስኻ ንምድሓን ህዝብኻን ንምድሓን ቅቡእካን
ወጻእካ፣ ነቲ መሰረት ክሳዕ ክሳድ ቀሊዕካ፣ ርእሲ ቤት ረሲእ ጨፍለቕካ። 14 ንርእሲ ሓላቑኡ ብገዛእ
ኵናቶም ወጋእካዮ። ንሳቶም ከም ህቦብላ ኪብትኑኒ መጹ፣ ሓጐሶም ከምቲ ነቲ መስኪን ብሕቡእ

ዚውሕጥ ነበረ። [15] ንስኻ በፍራስካ ንባሕሪ፣ ነቲ ዅምራ ዓበይቲ ማያት ረገጽካዮ። [16] ሰማዕኩ፣ ከብደይ ከኣ ኣንቀጥቀጠ፣ ከናፍረይ በቲ ድምጺ ኣንፈጥፈጠ፣ ቍንቍነ ኣብ ኣዕጽምተይ ኣተወ። በታ መዓልቲ ጸበባ ኸኣ ነቲ ህዝቢ ዚገጥሞሉ ኽሳዕ ዚመጽእ ትም ኢለ ኽጽበስ ክሳዕ ታሕተይ ኣንቀጥቀጥኩ። [17] ኣም በለስ ኣይክትዕምብብን፣ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኒ ፍረ ኣይኪህብን፣ ፍረ ኣውሊዕ ኪጠልም፣ ግርሁ ምግቢ ኣይኪህብን እዩ፣ ኣባጊዕ ካብ ደምበ ኺጠፍኣ፣ ኣሓውን ኣብ ደምቤታት ኪስኣና እየን። [18] ኣነ ግና ብእግዚኣብሄር ባህ ክብል፣ ብኣምላኽ ምድሓነይ እልል ክብል እየ። [19] እግዚኣብሄር፣ እቲ ጐይታ፣ ሓይለይ እዩ፣ ንሱ ነእጋረይ ከም ናይ እራብ ይገብረን፣ ኣብቲ በረኽ ቦታይውን ኬመላልሰኒ እዩ። ንመሪ ጌታ ብመሰንቆ።

# ትንቢት ሶፎንያስ

## ምዕራፍ 1

1 እቲ ብዘመን ዮስያስ፣ ወዲ ኣሞን ንጉስ ይሁዳ፣ ናብ ጸፎንያስ ወዲ ኩሺ፣ ወዲ ግዳልያ፣ ወዲ ኣማርያ፣
ወዲ ህዝቅያስ፣ ዝመጸ ቓል እግዚኣብሄር እዚ እዩ። 2 ኣነ ንብዘሎ ኹሉ ኻብ ዝባን ምድሪ ኽጥፍኦ እየ፣
ይብል እግዚኣብሄር። 3 ኣነ ንሰብን እንስሳን ከጥፍኦም እየ፣ ነዕዋፍ ሰማይን ዓሳታት ባሕርን
ንመዓንቀፊታት ምስናይ እቶም ረሲኣንን ከጥፍኦም እየ፣ ንሰብውን ካብ ገጽ ምድሪ ኽጽንቶም እየ፣
ይብል እግዚኣብሄር። 4 ኣብ ልዕሊ ይሁዳን ኣብ ልዕሊ እቶም የሩሳሌም ዚነብሩ ዅላቶምን ኢደይ
ክዝርግሕ እየ፣ ካብዚ ቦታ እዚ ንተረፍ በዓል፣ ንስም ካህናት ጣኦታት፣ ምስናይ እቶም ካህናት ከጽንቶም
እየ፣ 5 ነቶም ኣብ ልዕሊ ናሕሲ ንሰራዊት ሰማይ ዚሰግዱን ነቶም ንእግዚኣብሄር ዚሰግዱን ዚምሕሉን
ነቶም ብማልካም ዚምሕሉን፣ 6 ነቶም ካብ እግዚኣብሄር ዚርሕቁን ንእግዚኣብሄር ዘይደልይዎን
ዘይሐትዎን ከጽንቶም እየ። 7 መዓልቲ እግዚኣብሄር ቀሪባ እያ፣ እግዚኣብሄር መስዋእቲ ሕሩድ ኣዳልዩ፣
ነቶም ዕዱማቱ ኸኣ ቀዲስዎም እዩ እሞ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ስቕ በሉ። 8 ኪኸውን ድማ
እዩ፣ በታ መዓልቲ ሕሩድ እግዚኣብሄር፣ ኣነ ነቶም መሳፍንትን ደቂ ንጉስን ነቶም ክዳን ጓኖት ዚኸደኑን
ክቕጽዖም እየ። 9 በታ መዓልቲ፣ እቲኣ ኣነ ነታ ልዳት ዚዘልዋ፣ ነቶም ንቤት ጐይታኦም ብዓመጽን
ብጥበራን ዚመልእዋ ዅላቶም ክቕጽዖም እየ። 10 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ
ደሃይ ጭድርታ ኻብ ደገ ዓሳ፣ ኣውያት ከኣ ካብቲ ኻልኣይ ደገ፣ ካብ ኩርባታት ድማ ዓብዪ ምስብባር
ኪስማዕ እዩ። 11 ኵሉ ህዝቢ ኸነኣን ጠፊኡ፣ እቶም ብሩር እተሰከሙ ዅላቶም ጸኒቶም እዮም እም፣
ኣቱም ኣብ መኽቴሽ እትነብሩ፣ ብኸዩ። 12 በቲ ዘመን እቲ ኪኸውን እዩ፣ ኣነ ንየሩሳሌም ብመብራህቲ
ኺጒርጒራ እየ፣ ነቶም ኣብ ሓተላኦም እተቐመጡን ብልቦም፣ እግዚኣብሄርሲ ጽቡቕ ኣይገበር: ክፉእውን
ኣይገብር፣ ዚብሉን ሰባት ኪቕጽዖም እየ። 13 ገንዘቦም ኪዝመት፣ ኣባይቶም ኪባድም እዩ። ኣባይቲ
ኺሰርሑ፣ ግናኸ ኣይኪነብርዎን፣ ኣታኽልቲ ወይኒ ኺተኽሉ፣ ወይኑ ግና ኣይኪሰትዩን እዮም። 14 እታ
ዓባይ መዓልቲ እግዚኣብሄር፣ ድምጺ መዓልቲ እግዚኣብሄር ቀሪባ፣ ቀሪባ እያ፣ ኣዝያ ኸኣ ትቕልጥፍ
ኣላ። ሽዑ እቲ ጅግና ኣምሪሩ የእዊ። 15 እታ መዓልቲ እቲኣ መዓልቲ ቑጥዓ፣ መዓልቲ ጸበባን መከራን፣
መዓልቲ ምዕናውን ምብዳምን፣ መዓልቲ ጸልማትን ጣቓን መዓልቲ ደበናን ግብ ዝበለ ጸልማትን እያ። 16
ነተን ዕሩዳት ከተማታትን በረኽቲ ግምብታትን መዓልቲ መለኸትን ኣውያትን እያ። 17 እቶም ሰብ
ንእግዚኣብሄር ስለ ዝበደሉ፣ ከጽብበሎም እየ፣ ከም ዕዉራት ድማ ኪመላለሱ እዮም። ደሞም ከም
ሓመድ ኪከዖ እዩ፣ ስጋኦም ከኣ ከም ጐሓፍ። 18 ነቶም ኣብታ ሃገር ዚነብሩ ዅላቶም ብድንገት ጥራስ
ከጥፍኦም እዩ እሞ፣ በታ መዕልቲ ቑጥዓ እግዚኣብሄርሲ ብሩሮም ወይስ ወርቆም ኣይከናግፎምን እዩ፣
ግናኸ ዅላ እታ ሃገር ብሓዊ ቕንኣቱ ኽትወሓጥ እያ።

## ምዕራፍ 2

1-2 ኣቱም ዘይትሐፍሩ ህዝቢ፣ እቲ ትእዛዝ ከይወለደ፣ እታ መዓልቲ ኸም ብቑቡቕ ከይሐለፈት፣ እቲ
ርሱን ቑጥዓ ኣግዚኣብሄር ከይወረደኩም፣ እታ መዓልቲ ቑጥዓ እግዚኣብሄር ከይወረደትኩም፣ ተኣከቡ፣

ተኣከቡ። 3 ኣቱም ፍርዱ እትገብሩ ትሑታት ምድሪ ኹላትኩም፣ ንእግዚኣብሄር ድለይዎ። ምናልባሽ በታ
መዓልቲ ቍጥዓ እግዚኣብሄር እንተ ተሐባእኩምሲ፣ ጽድቂ ድለዩ፣ ትሕትና ድለዩ። 4 እምብኣርሲ ጋዛ
ኽትሕደግ፣ ኣስቃሎን ክትባድም፣ኣሽዶድ ብቐትሪ ኽትስጐጕ፣ ዔቅሮን ድማ ክትምንቀስ እያ። 5 ነቶም
ኣብ ገምገም ባሕሪ ዚነብሩ ሰብ፣ ህዝቢ ክረታውያን፣ ወይለኣም። ኣቲ ከንኣን ሃገር ፍልስጥኤማውያን፣
ቃል እግዚኣብሄር ኣንጻርኪ እዩ፣ ሓደ እኳ ኸይነብረክስ ከጥፍኣኪ እየ። 6 እቲ ገምገም ባሕሪ ድማ
መጓሰይን ኣግነት ጓሶትን ደምበ ኣባጊዕን ኪኸውን እዩ። 7 እቲ ገምገም ከኣ ነቲ ተረፍ ቤት ይሁዳ
ኪኸውን እዩ፣ ኣብኡ ኺጓሰዩ እዮም። እግዚኣብሄር ኣምላኾም ኪበጽሖም፣ ካብ ምርኮ ድማ ኪመልሶም
እዩ እሞ፣ ምሸት ኣብ ኣባይቲ ኣስቃሎን ኪድቅሱ እዮም። 8 ኣነ ነቶም ንህዝበይ ዝጸርፍዎን ኣብ ልዕሊ
ዶቦም ርእሶም ዘዕበዩን ጸርፊ ሞኣብን ምብጫው ደቂ ዓሞንን ሰማዕኩ። 9 ስለዚ ኣነ ህያው እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ኣምላኽ እስራኤል፣ ብርግጽ ሞኣብ ከም ሰዶም፣ ደቂ ዓሞን ከኣ ከም
ጎሞራ፣ ግዝኣት ቈጥቋጥን ጕድጓድ ጨውን ናይ ዘለኣለም ምድረ በዳን፣ ኪኾኑ እዮም። ተረፍ ህዝበይ
ኪዘምቶም፣ ሓድጊ ህዝበይውን ኪርስተዮም እዩ። 10 ንህዝቢ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ጸሪፎምዎን
ተዐብዮምሉን እዮም እሞ፣ እዚ ብሰሪ ትዕቢቶም ኪወርዶም እዩ። 11 እግዚኣብሄር ንዅሎም ኣማልኽቲ
ምድሪ ኼጥፍኦም እዩ እሞ፣ ኣባታቶም መሰከሒ ኪኸውን እዩ። ኵሎም ደሴታት ኣህዛብ ከኣ፣ ነፍሲ
ወከፍ ከካብ ቦታኡም ኪሰግዱሉ እዮም። 12 ንስኻትኩም ኢትዮጵያውያን ድማ፣ ብሰይፈ ክትቅተሉ
ኢኹም። 13 ኢዱ ኸኣ ናብ ሰሜን ኣቢሉ ኺዝርግሕ እዩ እሞ፣ ንኣሶር ኬጥፍኣ፣ ንነነዌ ድማ ኬባድማን፣
ከም ምድረ በዳ ደረቕ ኪገብራን እዩ። 14 ኣብ ማእከላ መጓሴታት፣ ኵለን እንስሳ ኣህዛብ፣ ኪሰፍራ እየን፣
ኣምባጕምባሕን ቅንፍዝን ኣብ ልዕሊ ጕልላታ ኺሐድሩ እዮም፣ ኣብ መስኰት ድምጺ ይዝምር፣ እቲ
ተኸዲንዎ ዝነበረ ኦም ሊባኖስ ኪቕላዕ እዩ እሞ፣ እቲ ልዳውቲ ኺባድም እዩ። 15 እታ ሀዲኣ እትነብርን
ብልባ ኸኣ፣ ኣነ እየ፣ ብጀካይ ሓደ እኳ የልቦን፣ እትብልን ሕጕስቲ ኸተማ እዚኣ እያ። ከመይ ኢላ
ባደመት ማሕደር ኣራዊትውን ኰነት፣ ብእኣ ዚሐልፍ ዘበለ ይፋጽን ኢዱ ይንዝንዝን።

## ምዕራፍ 3

1 እታ ዓላዊትን ርኽስትን፣ እታ ገፋዒት ከተማ ወይለኣ። 2 ድምጺ ኣይትሰምዕን፣ ቅጽዓት ኣይትቕበልን፣
ኣብ እግዚኣብሄር ኣይትውከልን፣ ናብ ኣምላኽ ኣይትቐርብን። 3 መሳፍንታ ኣብ ማእከላ ጓዘምቲ ኣናብስ
እዮም፣ ፈራዶኣ ንንግሆ ገለ እኳ ዘየትርፉ ተኺሉ ምሸት እዮም። 4 ነብያታ መጓብብትን ጠበርትን
ሰብኡት እዮም፣ ካህናታ ንመቕደስ ኣርከስዎ፣ ንሕጊ ዐመጽዎ። 5 እግዚኣብሄር ኣብ ማእከላ ጻድቕ
እዩ፣ንሱ ኣይእብስን፣ ንግሆ ንግሆ ኸየብኰረ ፍርዱ ናብ ብርሃን የውጽእ፣ ዓማጺ ግና ሓንከት
ኣይፈልጥን። 6 ኣነ ንህዝብታት ኣጽነትኩ፣ ግምብታቶም ዐነወ፣ ንመገድታቶም፣ ሓደ እኳ ኸይሐልፈን፣
ኣባደምክወን፣ ከተማታቶም ሓደ ሰብ ዜብለን፣ ዚነብረለን እኳ ዜብለን ኰይነን ጠፍኣ። 7 ኣነ ኸኣ፣ ኣየ፣
እንተ ትፈርህንስ፣ መቕጻዕቲ ኸኣ እንተ ትቕበልስ፣ በልኩ። ሽዑ ሰፈራ በቲ እተጻባጸብክዋ ዅሉ
ኣይምጠፍኤትን፣ ንሳቶም ግና ንግሆ ተንሲኦም ኵሉ ግብሮም ኣባላሸዉ። 8 እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ ኵላ ምድሪ ብሓዊ ቕንኣተይ ክትውሓጥሲ፣ ኵራይን ርሱን ቍጥዓይን ምእንቲ ከፍስሰሎም፣ ነህዛብ
ክእክቦም፣ ንመንግስትታት ከኣ ክኣኻኽቦም ፍርደይ እዩ እሞ፣ ስለዚ ኸሳዕ እታ ንዘመተ ዝለዐለላ
መዓልቲ ተጸበዩኒ። 9 ስለዚ ዅላቶም ንስም እግዚኣብሄር ኪጽውዑን ሐቢሮም ከኣ ኬገልግልዎንሲ፣ ሽዑ
ንህዝብታት ጽሩይ ከናፍር ክመልሰሎም እየ። 10 ካብ ክንየው ርባታት ኢትዮጵያ እቶም ተማህለልተይ፣

ፋሕ ዝበሉ ደቀይ፣ መባእ ኬምጽኡለይ እዮም። 11 ሽዑ ኣነ ነቶም ብዅርዓትኪ ባህ ዝብሎም ካብ
ማእከልኪ ኽውጽኦም እየ፣ ንስኺ ድማ ድሕርዚ ኣብቲ ቅዱስ ከረነይ ኣይክትኰርዕን ኢኺ እሞ፣ በታ
መዓልቲ እቲኣ በቲ ንኣይ ዝበደልክሉ ዅሉ ግብርኺ ኣይክትሐንክን ኢኺ። 12 ኣብ ማእከልኪ ሽጉርን
ድኻን ህዝቢ ኺሐድግ እየ፣ ንሳቶምውን ብስም እግዚኣብሄር ኪእመኑ እዮም። 13 ኪጓሰዩን ኪድቅሱን
እዮም፣ ዜሰምብዶም ድማ የልቦን እሞ፣ እቶም ተረፈ እስራኤል ኣይኪብድሉን ኣይኪሕስዉን እዮም፣
ኣብ ኣፎም ከኣ ጠላሚት ልሳን ኣይክትርከብን እያ። 14 ኣቲ ጓል ጽዮን፣ ዘምሪ፣ ኣታ እስራኤል፣ እልል
በል፣ ኣቲ ጓል የሩሳሌም፣ ብዅሉ ልብኺ ተሐጐሲ ባህ ከኣ ይበልኪ። 15 እግዚኣብሄ ንፍርድኺ ኣርሒቑ፣
ንጸላኢኺ ሰጒጉ፣ እግዚኣብሄር ንጉስ እስራኤል ኣብ ማእከልኪ እዩ፣ ድሕርዚ ኽኣ ገለ ኽፉእ ዜፍርህ
የብልክን። 16-17 በታ መዓልቲ እቲኣ ንየሩሳሌ፣ ዎ ጽዮን ኣይትፍርሂ፣ ኣእዳውኪ ኣይተሐለላ፣
ኣግዚኣብሄር ኣምላኽኪ ኣብ ማእከልኪ ዚድሕን ጅግና እዩ፣ ብኣኺ ሓጐስ ኪሕጐስ እዩ፣ ብፍቕሩ
ኺሀድእ፣ ብኣኺ እልል እናበለ ኺሕጐስ እዩ፣ ኪብልዋ እዮም። 18 ነቶም ብዛዕባ ኣኼባ በዓላት ዚጒህዩ
ኽእከቦም እየ፣ ናትኪ እዮም፣ ጾሮም ጸርፊ ነበረ። 19 እንሆ፣ በቲ ጊዜ እቲ ነቶም ዚጭቍንኺ ዅሎም
ክጻረሮም እየ፣ ነታ ዝሐንከሰት ከድሕና፣ ነታ እተሰጐት ከኣ ክእክባ፣ ኣብቲ ዝነወርዎ ዅሉ ነገራት
ክቡራትን ስሙያትን ክገብሮም እየ። 20 ነቶም ምሩኻትኩም ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኹም ምስ መለስክዎም፣
ኣብ ኵላቶም ህዝብታት ምድሪ ስሙያትን ክቡራትን ክገብረኩም እየ እሞ፣ በታ ጊዜ እቲኣ ኽእትወኩም፣
በታ ጊዜ እቲኣውን ክእክበኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር።

# ትንቢት ሐጌ

## ምዕራፍ 1

1 ብኻልኣይቲ ዓመት ንጉስ ዳርዮስ፣ ብሳድሰይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒ ኸኣ ብቐዳመይቲ መዓልቲ፣
ብኢድ ነብዩ ሃጌ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ዘሩባቤል ወዲ ሰኣልቲኤል፣ ምስለኔ ይሁዳን ናብ
እያሱ ወዲ ይሆጻዳቅ ሊቀ ኻህናትን መጸ። 2 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ እዚ
ህዝቢ እዚ፣ እቲ ጊዜ፣ ቤት እግዚኣብሄር እትስርሓሉ ጊዜ፣ ኣይበጽሔን፣ ይብል ኣሎ። 3-4 ግናኸ እዛ ቤት
እዚኣ ፆንያ ኸላስ፣ ንስኻትኩም ኣብ ስሉም ኣባይትኹም ክትነብሩዶ ጊዜኹም እዩ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ብኢድ ነብዩ ሃጌ መጸ። 5 እምብኣርሲ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣
እስከ ብልብኹም መገድኹም ሕሰቡ። 6 ንስኻትኩም ብዙሕ ዘራእኩም፣ ሒደት ኣእቶኹም። በላዕኩም
ኣይጸገብኩምን፣ ሰቴኹም ኣይረዌኹምን፣ ተኸደንኩም ኣይሞቐኩምን፣ እቲ ውዕለቱ ዜእቱ ነቲ ዝወዐሎ
ኣብ ነኟል ማሕፉዳ የንብሮ ኣሎ። 7 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ብልብኹም መገድኩም ሕሰቡ፣
ይብል ኣሎ። 8 ናብ ኣኽራን ደይቡ፣ ዕጨይቲ ኣምጽኡ፣ ነታ ቤት ከኣ ስርሕዋ። ኣነ ድማ ብእእ ክሕጐስን
ክኽብርን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 9 ንስኻትኩም ብዙሕ ተጸቤኹም፣ እንሆ ኸኣ፣ ሒደት እዩ፣ ናብ
ቤት ምስ ኣእቶኹምዎ ኸኣ፣ ኣነ ኡፍ በልኩሉ። ስለምንታይ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ነፍሲ
ወከፍኩም ናብ በቤትኩም እናጐየኹምሲ፣ ቤተይ ስለ ዝዐነወት እዩ። 10 ስለዚ ሰማያት ብሰርኹም
ኣውሊ ኸልከለ፣ ምድሪ ኸኣ ፍሬኣ ኸልኤት። 11 ኣነውን ኣብ ልዕሊ ምድርን ኣብ ልዕሊ ኣኽራንን ኣብ
ልዕሊ እኽልን ኣብ ልዕሊ ወይንን ኣብ ልዕሊ ዘይትን ኣብ ልዕሊ እቲ ምድሪ እተብቍሎን ኣብ ልዕሊ
ሰብን ኣብ ልዕሊ እንስሳን ኣብ ልዕሊ ዅሉ ዕዮ ኣእዳውን ደርቂ ጸዋዕኩ። 12 ሽዑ ዘሩባቤል ወዲ
ሰኣልቲኤልን እያሱ ወዲ ይሆጻዳቅ፣ ሊቀ ኻህናትን እቶም ካብቲ ህዝቢ ዝተረፉ ዅላቶምን ንደሃይ
እግዚኣብሄር ኣምላኾምን ንቓል ነብዩ ሃጌን፣ ከምቲ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ዝለኣኾ፣ ሰምዕዎ። እቶም
ህዝቢ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ፈርሁ። 13 ሃጌ ልኡኽ እግዚኣብሄር በታ መልእኽቲ እግዚኣብሄር
ንህዝቢ፣ ኣነ ምሳኻትኩም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣ ኢሉ ተዛረቦም። 14-15 እግዚኣብሄር ከኣ ንመንፈስ
ዘሩባቤል ወዲ ሰኣልቲኤል፣ ምስለኔ ይሁዳን ንመንፈስ እያሱ ወዲ ይሆጻዳቅ፣ ሊቀ ካህናት ንመንፈስ
ኵሎም እቶም ዝተረፉ ህዝብን ኣንቅሐ። ንሳቶም ከኣ በታ ኻልኣይቲ ዓመት ንጉስ ዳርዮስ፣ ብሳድሰይቲ
ወርሒ፣ ካብታ ወርሒ ድማ ብመበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ መጹ፣ ኣብታ ቤት እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ኣምላኾም ከኣ ይሰርሑ ነበሩ።

## ምዕራፍ 2

1 ብሳብዐይቲ ወርሒ፣ ካብታ ወርሒ ኸኣ ብመበል ዕስራን ሓደን መዓልቲ፣ ከምዚ ዚብል ቃል
እግዚኣብሄር ብኢድ ነብዩ ሃጌ መጸ፣ 2 እምብኣርስኸ ንዘሩባቤል ወዲ ሰኣልቲኤል፣ ምስለኔ ይሁዳን
ንእያሱ ወዲ ይሆጻዳቅ፣ ሊቀ ኻህናትን ነቶም ዝተረፉ ህዝብን ከምዚ ኢልካ ንገሮም፣ 3 ነዛ ቤት እዚኣ
በቲ ቐዳማይ ክብራ ዝረኣያ ኻባኻትኩም መን እዩ ሕጂኸ ኸመይ ኰይና ትርእይዋ ኣሎኹም ኣብ
ኣዓንትኹምሲ ኸም ዘየላዶ ኣይኰነትን 4 ሕጂ ኸኣ፣ ዎ ዘሩባቤል፣ ጽናዕ፣ ይብል እግዚኣብሄር። ንስኻ

እያሱ ወዲ ይሆጻዳቅ፣ ሊቀ ኻህናት፣ ድማ ጽናዕ፣ ኵልኹም ህዝቢ እታ ሃገርውን ጽንዑ፣ ይብል
እግዚኣብሄር፣ ኣነ ምሳኻትኩም እየ እሞ፣ ዕየዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [5] ከምቲ ኻብ
ግብጺ ኽትወጹ ከሎኹም ምሳኻትኩም ዝኣቶኽዎ ቓል ኪዳነይ፣ መንፈሰይ ኣብ ማእከልኩም ይነብር
ኣሎ፣ ኣይትፍርሁ። [6] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኸምዚ ይብል ኣሎ፣ ገና ሓደ ጊዜ፣ ብሓጺር ጊዜ
ኪኸውን እዩ፣ ኣነ ንሰማይን ምድርን ባሕርን ንቑጽን ከነቓንቕ እየ። [7] ንዅላቶም ኣህዛብ ከነቓንቖም እየ፣
ኣነውን ነዛ ቤት እዚኣ ብኽብሪ ኽመልኣ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [8] ብሩር ናተይ እዩ፣
ወርቂ ኸኣ ናተይ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [9] ካብቲ ቐዳማይሲ እቲ ዳሕራይ ክብሪ እዛ
ቤት እዚኣ ኪበልጽ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ኣብዛ ቦታ እዚኣ ሰላም ክህብ እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [10] ብኻልኣይቲ ዓመት ዳርዮስ፣ ብመበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ
ናይታ ታስዐይቲ ወርሒ ብኢድ ነብዩ ሃጌ ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸ፣ [11-12] እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ብዛዕባ ሕጊ ነቶም ካህናት፣ ሓደ ኣብ ዘፈር ክዳኑ እተቐደሰ ስጋ
እንተ ቈጸረ፣ በዛ ዘፈሩ ኸኣ እንጌራ ወይ ጸብሒ ወይ ወይኒ ወይ ዘይቲ ወይስ ዝኾነ ይኹን ምግቢ
እንተ ተንከየስ፣ እዚኤንዶ ይቕደሳ እየን ኢልካ ሕተቶም። እቶም ካህናት ድማ፣ ኣይፋለንን፣ ኢሎም
መለስሉ። [13] ሽዑ ሃጌ፣ ብሬሳ ዝረኸሰ ሰብ ካብዚኣተን ገለ እንተ ተንከየስ ትረክስዶ እያ፣ በሎም። እቶም
ካህናት ከኣ፣ እወ፣ ትረክስ እያ፣ ኢሎም መለስሉ። [14] ሃጌ ኸኣ ከምዚ ኢሉ መለሰ፣ እዚ ዓሌት እዚ
ኸምኡ እዩ፣ ኣብ ቅድመይ እዚ ህዝቢ እዚ ኸምኡ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣ ኵሉ ዕዮ ኣእዳዎም ከምኡ
እዩ፣ እቲ ኣብኡ ዜቕርቡለይ ድማ ርኹስ እዩ። [15] ሕጂ ኸኣ ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር እምኒ ኣብ ልዕሊ
እምኒ ኸይተነብረ ኹሉ ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ኽሳዕ ቀደም ዝኾነ ሕሰቡ። [16] ብዅሉ እቲ ዘመን እቲ ናብ
ዕስራ መስፈር ዘለዎ ምህርቲ እንተ መጸ፣ ዓሰርተ ጥራይ ኰነ። ሓምሳ መፈስር ኪቐድሕ፣ ናብ መጽመቝ
እንተ መጸ፣ ዕስራ ጥራይ ኰነ። [17] ንዅሉ ዕዮ ኣእዳውኩም ብሃጕን ብዋግን ብበረድን ወቓዕክዎ፣
ንስኻትኩም ግና ናባይ ኣይተመለስኩምን፣ ይብል እግዚኣብሄር [18] ሕሰቡ ኹታ፣ ካብ እዛ መዓልቲ እዚኣ
ኽሳዕ ቀደም ዝኾነ፣ ካብታ መበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ ናይታ ታስዐይቲ ወርሒ፣ ካብታ መቕደስ
እግዚኣብሄር እተሰርረትላ መዓልቲ፣ ሕሰቡ። [19] እኽልስ ገናዶ ኣብ ቆፎ ኣሎ እዩ ተኽሊ ወይንን ኦም
በለስን ሮማንን ኣውልዕን ክሳዕ ሎሚ ኣይፈረየን። ካብዛ መዓልቲ እዚኣ ጀሚረ ኽባርክ እየ። [20] ብመበል
ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ እታ ወርሒ ኸምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ካልኣይ ሳዕ ናብ ሃጌ መጸ፣ [21-22]
ንዘሩባቤል ምስለኔ ይሁዳ፣ ኣነ ሰማይን ምድርን ከነቓንቕ እየ፣ ዝፋን መንግስታት ክገላብጥ፣ ሓይሊ
መንግስትታት ኣህዛብ ከጥፍእ፣ ሰረገላታትን ኣብኤን ዚቕመጡን ክገላብጥ እየ፣ ኣፍራስን ዚውጥሕዎምን
ከኣ ነፍሲ ወከፎም ብሰይፊ ሓዉ ኺወድቕ እዩ፣ ኢልካ ንገሮ። [23] በታ መዓልቲ እቲኣ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ዎ ዘሩባቤል ወዲ ሰኣልቲኤል፣ ባርያይ፣ ኣነ ኽወስደካ እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር፣ ኣነ ሐርየካ እየ እሞ፣ ከም ቀለቤት ማሕተም ክገብረካ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት።

# ትንቢት ዘካርያስ

## ምዕራፍ 1

1 ብኻልኣይቲ ዓመት ዳርዮስ፣ በታ ሳምነይቲ ወርሒ ናብ ነብዪ ዘካርያስ ወዲ በረክያ፣ ወዲ ዒዶ፣
ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር መጸ፣ 2 እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ኣቦታትኩም ኣዝዩ ኈረየ። 3
እምብኣርሲ ንስኻ፣ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ናባይ ተመለሱ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ኣነ ኸኣ ናባኻትኩም ክምለስ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣
ኢልካ ንገሮም። 4 ከም ኣቦታትኩም ኣይትኹኑ፣ንኣታቶም እቶም ቀዳሞት ነብያት፣ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት፣ ካብ እኩይ መገድኹምን ካብ እኩይ ግብርኹምን ተመለሱ፣ ይብል ኣሎ ኢሎም ነገርዎም፣
ንሳቶም ግና ኣይሰምዑን፣ ናባይ ከኣ ጽን ኣይበሉን፣ ይብል እግዚኣብሄር። 5 ኣቦታትኩም ኣበይ ኣለዉ
ነብያትከ ንዘለኣለምዶ ብህይወት ይነብሩ እዮም 6 ግናኸ ንባሮተይ ነብያት ዝኣዘዝክዎም ቃላተይን
ሕጋጋታይን ነቦታትኩምዶ ኣየርከቦምን እዩ ንሳቶም ከኣ ተመልሱ እሞ፣ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት
ከምቲ ብመጠን መገድናን ግብርናን ኪገብረና ኢሉ ዝሐሰቦ፣ ከምኡ ገበረና፣ በሉ። 7 ብኻልኣይቲ ዓመት
ዳርዮስ፣ ብመበል ዕስራን ኣርባዕተን መዓልቲ በታ ሸባጥ እትበሃል መበል ዓሰርተው ሓደ ወርሒ፣ ከምዚ
ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ናብ ነብዪ ዘካርያስ፣ ወዲ በረክያ ወዲ ዒዶ፣ መጸ፣ 8 ብለይቲ ርኤኹ፣ እንሆ
ኸኣ፣ ኣብ ሓመር ፈረስ እተወጥሐ ሰብኣይ፣ ንሱ ድማ ኣብቲ ትሕቲ ዝበለ ቦታ ኣብ ማእከል ኣእዋም ጸጸ
ጠጠው በለ፣ ድሕሪኡውን ሓመራትን ጥርኝን ኣምባላያትን ኣፍራስ ነበሩ። 9 ሽዑ ኣነ፣ ጐይታየ
እዚኣቶምሲ እንታይ እዮም በልኩ። እቲ ምሳይ ዚዛረብ ዝነበረ መልኣኽ ከኣ፣ እዚኣቶም እንታይ ከም
ዝዀኑ ኽርእየካ እየ፣ በለኒ። 10 እቲ ኣብ ማእከል ኣእዋም ጸጸ ደው ኢሉ ዝነበረ ሰብኣይ ከኣ፣
እዚኣቶምሲ እቶም እግዚኣብሄር ንምድሪ ኺዘርዋ ዝሰደዶም እዮም፣ ኢሉ መለሰ። 11 ንሳቶም ድማ ነቲ
ኣብ ማእከል ኣእዋም ጸጸ ደው ዝበለ መልኣኽ እግዚኣብሄር፣ ንሕና ንምድሪ ዞርናያ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኵላ
ምድሪ ስቕ ኢላ ዐሪፋ ኣላ፣ ኢሎም መለሱሉ። 12 ሽዑ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር፣ ዎ እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት፣ ነዘን በተን ሰብዓ ዓመት እተቘጣዕካየን የሩሳሌምን ከተማታት ይሁዳን ክሳዕ መኣዝ
ኢኻ ዘይትምሕረን ኢሉ መለሰ። 13 እግዚኣብሄር ነቲ ምሳይ ዚዛረብ ዝነበረ መልኣኽ ብጽቡቕ ቃላትን
ብዜጸናንዕ ቃላትን መለሰሉ። 14-15 እቲ ምሳይ ዚዛረብ ዝነበረ መልኣኽ ከኣ፣ እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊትሲ፣ ኣነ ብየሩሳሌምን ብጽዮንን ዓብዪ ቕንኣት ቀኒኤ ኣሎኹ፣ ቅሩብውን ኵርየ ነበርኩ፣ ንሳቶም
ግና ንሕሰም ሐጊዞም እዮም እሞ፣ ነቶም ሀዲኦም ዘለዉ ኣህዛብ ኣዝየ ኈርየሎም ኣሎኹ፣ ይብል ኣሎ፣
ኢልካ ኣውጅ፣ በለኒ። 16 ስለዚ ኸኣ እግዚኣብሄር፣ ኣነ ብምሕረት ናብ የሩሳሌም እምለስ ኣሎኹ፣ ይብል
ኣሎ፣ ቤተይ ኣብኣ ኽትስራሕ እያ፣ ገመድ መለክዒ ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም ኺዝርጋሕ እዩ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 17 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ከተማታተይ ገና ብሰናይ ኪረውያ እየን፣
እግዚኣብሄር ከኣ ንጽዮን ገና ኺጸናንዓ እዩ፣ ንየሩሳሌም ድማ ገና ኺሐርያ እዩ፣ ይብል ኣሎ ኢልካ
ኣውጅ። 18 ዓይነይ ኣልዐልኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኣርባዕተ ቐርኒ ርኤኹ። 19 ኣነ ድማ ነቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ
መልኣኽ፣ እዚኣቶም እንታይ እዮም በልክዎ። ንሱውን እዚኣቶም እቶም ንይሁዳን እስራኤልን
የሩሳሌምን ፋሕ ዘበልዎም ኣቕርንቲ እዮም፣ ኢሉ መለሰለይ። 20 እግዚኣብሄር ከኣ ኣርባዕተ ሰራሕቲ
ሓጺን ኣርኣየኒ። 21 ሽዑ ኣነ፣ እዚኣቶም እንታይ ኪገብሩ መጹ በልኩ። ንሱ ኸኣ፣ ንይሁዳ ፋሕ ዘበሉ

ኣቕርንቲ እዮም፣ እዚኣቶም ግና ኬፍርህዎም፣ ነቕርንቲ እቶም ንሃገር ይሁዳ ፋሕ ኬብሉ ኢሎም ቀርኖም
ዘልዐሉ ኣህዛብ ከኣ ኬወድቁ ዝመጹ እዮም፣ ኢሉ በለኒ።

## ምዕራፍ 2

1 ኣዒንተይ ኣልዐልኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ኣብ ኢዱ ገመድ መለክዒ ዝነበሮ ሰብኣይ ርኤኹ። 2 ኣነ ኸኣ፣ ናበይ
ኢኻ ትኸይድ ዘሎኻ በልኩ። ንሱውን፣ ንየሩሳሌም ምግፍሓን ምንውሓን ክንደይ ከም ዝኾነ ኽርእስ፣
ክልክዓ እየ፣ በለኒ። 3 እንሆ ኸኣ፣ እቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ ወጸ፣ ካልእ መልኣኽ ድማ ኪጓነፎ ወጸ።
4-5 ንሱ ኸኣ፣ ጉየ፣ ነዚ ጐበዝ እዚ፣ የሩሳሌም፣ ሰብን እንስሳን ኣብ ማእከል ስለ ዝበዝሑ፣ ከም ብዘይ
መካበብያ ዘላ ኸተማ ኽትነብር እያ፣ እግዚኣብሄርውን፣ ኣነ ኣብ ዙርያኣ መካበብያ ሓዊ ክኾነላ፣ ኣብ
ማእከላውን ንኽብሪ ክኸውን እየ፣ ይብል ኣሎ ኢልካ ንገሮ፣ በሎ። 6 እግዚኣብሄር፣ ኣነ ኸምቶም
ኣርባዕተ ንፋሳት በቲነኩም እየ፣ ይብል ኣሎ እሞ፣ ተንስኡ፣ ተንስኡ፣ ካብ ሃገር ሰሜን ህደሙ፣ ይብል
እግዚኣብሄር። 7 ኣቲ ምስ ጓል ባቢሎን እትነብሪ ጽዮን፣ ኣምልጢ። 8 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ
ይብል ኣሎ፣ እቲ ንኣኻትኩም ዚትንክስ፣ መርዓት ዓይኑ እዩ ዚትንኪ እሞ፣ ስለ ኽብሩ ናብቶም
ዝዘመቱኹም ኣህዛብ ለኣኸኒ። 9 እንሆ፣ ኣነ ኢደይ ከልዕለሎም እየ፣ ንሳቶም ከኣ ነቶም ግዙኣቶም ዝነበሩ
ዘመተ ኪኾንዎም እዮም፣ ንስኻትኩምውን እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከም ዝለኣኸኒ ኽትፈልጡ
ኢኹም። 10 ኣቲ ጓል ጽዮን፣ እንሆ፣ እመጽእ ኣሎኹ፣ ኣብ ማእከልኪ ኸኣ ክነብር እየ እሞ፣ እልል በሊ
ተሐጐሲውን፣ ይብል እግዚኣብሄር። 11 በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት ህዝብታት ናብ እግዚኣብሄር
ኪሐብሩ፣ ህዝበይ ከኣ ኪኾኑ እዮም። ኣነ ድማ ኣብ ማእከልኪ ኽነብር እየ፣ ንስኺውን እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ናባኺ ኸም ዝለኣኸኒ ኽትፈልጢ ኢኺ። 12 እግዚኣብሄር ኣብታ ቅድስቲ ሃገር ንይሁዳ
ኸም ግዲኡ ኺርስተያ፣ ንየሩሳሌም ከኣ ገና ኺሐርያ እዩ። 13 እግዚኣብሄር ካብቲ ቅዱስ ማሕደሩ
ተንሲኡ እዩ እሞ፣ ስጋ ዘለበሰ ኹሉ ኣብ ቅድሚኡ ስቕ ይበል።

## ምዕራፍ 3

1 እያሱ ሊቀ ካህናት ኣብ ቅድሚ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ደው ኢሉ ኸሎ ኣርኣየኒ፣ ሰይጣን ከኣ
ኪጻረሮ ኣብ የማኑ ቈይሙ ነበረ። 2 እግዚኣብሄር ንሰይጣን፣ ኣታ ሰይጣን እግዚኣብሄር ይግናሕካ፣ እቲ
ንየሩሳሌም ዝሐረያ እግዚኣብሄር ይግናሕካ፣ እዝስ ካብ ሓዊ እተመንጠለ እያድዶ ኣይኮነን በሎ። 3
እያሱ ኸኣ ረሳሕ ክዳውንቲ ተኸዲኑ ኣብ ቅድሚ እቲ መልኣኽ ደው ኢሉ ነበረ። 4 እቲ መልኣኽ ከኣ
ነቶም ኣብ ቅድሚኡ ቈይሞም ዝነበሩ፣ ነቲ ረሳሕ ክዳውንቲ ኻብኡ ኣልዕልዎ፣ ኢሉ መለሰሎም። ንእኡ
ኸኣ፣ ርኤ፣ ኣበሳኻ ኣውጺእኩልካ፣ ብሉጽ ክዳውንቲውን ከደንኩኻ፣ በሎ። 5 ኣነ ኸኣ፣ ኣብ ርእሱ ጽሩይ
መጠምጠምያ ጠምጥሙሉ፣ በልኩ። ንሳቶም ድማ ኣብ ርእሱ ጽሩይ መጠምጠምያ ጠምጠሙሉ፣
ክዳውንቲውን ከደንዎ። እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ኣብኡ ቈይሙ ነበረ። 6 እቲ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ከኣ ንእያሱ ኸምዚ ኢሉ መስከረሉ፣ 7 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ብመገደይ እንተ ተመላለስካ፣ ነቲ ዝኣዘዝኩኻውን እንተ ሐሎኻስ፣ ንቤተይ ክትፈርዳ፣ ንኣጸደይ ከኣ
ክትሕልዎ ኢኻ፣ ምስ እዞም ኣብዚ ቈይሞም ዘለዉ ቦታ ኽህበካ እየ። 8 እምብኣርሲ ኣታ ኣያሱ ሊቀ
ኻህናት፣ ንስኻን እቶም ኣብ ቅድሜኻ ተቐሚጦም ዘለዉ ብጾትካን፣ ንሳቶም ንትእምርቲ ዚኾኑ ሰባት

ኣዮም እሞ፣ ስማዕ፣ ኣንሆ፣ ኣነ ነቲ ባርያይ፣ እቲ ጨንፈር፣ ከምጽእ ኣየ። 9 ስለዚ ኣታ ኣብ ቅድሚ እያሱ
ዘንበርክዋ እምኒ እንሃ፣ ኣብ ሓንቲ እምንስ ሾብዓተ ዓይኒ ኣለዋ፣ እንሆ ኸኣ፣ ቅርጻ ክቐርጾ እየ፣ ንኣበሳ
እዛ ሃገር እዚኣ ድማ ብሓንቲ መዓልቲ ኽርሕቖ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 10 በታ
መዓልቲ እቲኣ ኣብ ትሕቲ ወይንን ኣም በለስን ንሓድሕዶም ክትተዐዳደሙ ኢኹም፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

# ምዕራፍ 4

1 እቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ ከኣ ተመሊሱ፣ ከምቲ ሰብ ካብ ድቃሱ ዚበራበር፣ ኣበራበረኒ፣ 2 እንታይ
ትርኢ ኣሎኻ፣ ድማ በለኒ። ኣነ ኸኣ በልኩ፣ እንሆ፣ ሓደ ቐዋሚ ቕንዴል ኵለንትናኡ ወርቂ፣ ኣብ ርእሱ
ኸኣ ዘይቱን ኣብኡውን ሾብዓተ መብራህቱ ንዘለዎ እርኢ ኣሎኹ። ነተን ኣብ ርእሱ ዘለዋ መብራህትታት
ከኣ ሾብዓተ ኣለወን። 3 ኣብ ጥቓኡ ድማ ክልተ ኣውልዕ ኣለዋ፣ እታ ሓንቲ ኣብ የማን እቲ እንዳ ዘይቲ፣
እታ ሓንቲውን ኣብ ጸጋሙ እየን። 4 ነቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ ድማ፣ ጐይታየ፣ እዚኣተንሲ እንታይ
እየን ኢለ መለስኩሉ። 5 እቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ ከኣ፣ እዚኣተን እንታይ ምዃነን ኣይትፈልጥን
ኢኻ ኢሉ መለሰለይ። ኣነ ድማ፣ ጐይታየ፣ ኣይፋለይ፣ በልኩ። 6-7 ሽዑ ንሱ መለሱ፣ እዚ እቲ ንዘሩባቤል
ዚኸውን ቃል እግዚኣብሄር እዩ፣ ብመንፈሰይ እምበር፣ ብኽእለትን ብሓይልን ኣይኮነን፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐያት ሰራዊት። ኣታ ዓብዪ ኸረን፣ መን ኢኻ ኣብ ቅድም ዘሩባቤል ጐልጐል ክትከውን
ኢኻ። ጸጋ፣ ጸጋ ንእኡ፣ እናተባህለ ኺጭድር ከሎ ነቲ እምኒ ርእሲ ኼውጽኦ እዩ፣ ኢሉ ነገረኒ። 8 ከምዚ
ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ 9 ንመሰረት እዛ ቤት እዚኣ ኣእዳው ዘሩባቤል ሰረታኦ፣ ኣእዳዉ ኸኣ
ኪፍጽምኣ እየን። ንስኻ ድማ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ናባኻትኩም ከም ዝለኣኸኒ ኽትፈልጥ ኢኻ።
10 ንመዓልቲ ናኣሽቱ ነገር ዚንዕቕ መን እዩ እዘን ሾብዓተ ንዅላ ምድሪ ዚዞራ ኣዒንቲ እግዚኣብሄር ነታ
ኣብ ኢድ ዘሩባቤል ዘላ መለከዒት መንደቕ ተሐጒሰን ኪርእያኣ እየን። 11 ኣነ ኸኣ፣ እዘን ብየማን እዚ
ቐዋሚ ዘለዋ ኽልተ ኣውሊዕሲ እንታይ እየን ኢለ መለስኩሉ። 12 ካልኣይ ጊዜውን፣ እዞም ኣብ ጥቓ እቲ
ወርቂ ዚውሕዞ መውሓዝ ወርቂ ዘለዉ ኽልተ ጨንፈር ኣውሊዕከ እንታይ እዮም ኢለ መለስኩሉ። 13
ንሱ ኸኣ፣ እዚኣቶም እንታይ ከም ዝኾኑ ኣይትፈልጥን ኢኻ ኢሉ መለሰለይ። ኣነውን፣ ጐይታየ፣
ኣይፋለይ፣ በልኩ። 14 ሽዑ ንሱ፣ እዚኣቶምሲ እቶም ክልተ ኣብ ጥቓ እቲ ጐይታ ዅላ ምድሪ ዚቘሙ
ደቂ ዘይቲ እዮም፣ በለ።

# ምዕራፍ 5

1 ከም ብሓድሽ ኣዒንተይ ኣልዐልኩ፣ እንሆ ኸኣ፣ ጥቕልልቲ መጽሓፍ ክትነፍር ከላ ርኤኹ። 2 ንሱ ኸኣ፣
እንታይ ትርኢ ኣሎኻ በለኒ። ኣነውን፣ እትነፍር ጥቕልልቲ መጽሓፍ እርኢ ኣሎኹ፣ ምንዋሓ ዕስራ
እመት፣ ወርዳ ድማ ዓሰርተ እመት እዩ፣ ኢለ መለስኩ። 3 ንሱ ኸኣ በለኒ፣ ዚሰርቕ ዘበለ ዅሉ ብመጠን
እቲ ኣብቲ ሓደ ገጽ ተጽሒፉ ዘሎ ኺድምሰስ፣ ብሓሶት ዚምሕል ዘበለ ዅሉ ኸኣ ብመጠን እቲ ኣብቲ
ሓደ ገጽ ተጽሒፉ ዘሎ ኺድምሰስ እዩ እሞ፣ እዚ እቲ ኣብ ዝባን ኵላ ምድሪ ዚወጽእ መርገም እዩ። 4
ኣነ ኽውጽኦ እየ፣ ንሱ ድማ ናብ ቤት እቲ ሰራቒን ናብ ቤት እቲ ብስመይ ሐሰዩ ዚምሕልን ኪኣቱ እዩ፣
ኣብ ማእከል ቤት ኺነብር፣ ምስናይ ዕጨይታን እምናን ከኣ ኬጥፍኣ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ

ሰራዊት። [5] እቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ ከኣ ወጺ፣ ኣዒንትካ ኣልዕል እሞ እዚ ዚወጽእ ዘሎ እንታይ ከም
ዝኾነ ርኤ፣ በለኒ። [6] ኣነ ከኣ፣ እዚ እንታይ እዩ በልኩ ንሱ ድማ እቲ ዚወጽእ ኤፋ እዩ፣ በለ። ኣብ ኲላ
ምድሪ እዚ እዩ መልክዖም፣ ከኣ በለ። [7] እንሆ ድማ፣ ሓደ መክሊት ዓረር ኣልዐሉ፣ ኣብ ማእከል እቲ
ኤፋውን ሓንቲ ሰበይቲ ተቐሚጣ ነበረት። [8] ንሱ ኸኣ፣ እዚኣ ረሲእነት እያ፣ በለ፣ ናብ ማእከል እቲ ኤፋ
ድማ ደርበያ፣ ነቲ መክሊት ዓረርውን ናብ ኣፍ እቲ ኤፋ ደርበዮ። [9] ኣዒንተይ ኣልዐልኩ ርኤኹውን፣
እንሆ ድማ፣ ክልተ ኣንስቲ ወጻ፣ ኣብ ኣኽናፈን ከኣ ንፋስ ነበረ፣ ከም ኣኽናፍ ራዛ ዚመስል ኣኽናፍ ከኣ
ነበረን፣ ንሳተን ነቲ ኤፋ ኣብ መንጎ ምድርን ሰማይን ኣልዐላኦ። [10] ነቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ ከኣ፣ ነዚ
ኤፋ ናበይ እየን ዚወስዳኦ ዘለዋ በልክዎ። [11] ንሱ ኸኣ፣ ቤት ኪሰርሓሉስ ኣብ ሃገር ሲንኣር እየን፣ ምስ
ተዳለወ ኣብኡ ኣብ ስፍራኡ ኺነብር እዩ፣ በለኒ።

## ምዕራፍ 6

[1] ከም ብሓድሽ ኣዒንተይ ኣልዐልኩ፣ እንሆ ድማ፣ ኣርባዕተ ሰረገላ ኻብ መንጎ ኽልተ ኽረን ኪወጻ ኸለዋ
ርኤኹ፣ እቲ ኣኽራንውን ኣኽራን ኣስራዚ ነበረ። [2] ኣብታ ቐዳመይቲ ሰረገላ ሓመራት ኣፍራስ፣ ኣብታ
ኻልኣይቲ ሰረገላ ኸኣ መጋላት ኣፍራስ ነበሩ። [3] ኣብታ ሳልሰይቲ ሰረገላ ኣምባላያት ኣፍራስ፣ ኣብታ
ራብዐይቲ ሰረገላ ድማ ጫጎታት ብርቱዓት ኣፍራስ ነበሩ። [4] ኣነ ኸኣ ነቲ ዚዛረበኒ ዝነበረ መልኣኽ፣
ጐይታየ እዚኣቶምሲ እንታይ እዮም ኢለ መለስኩሉ። [5] እቲ መልኣኽ ከኣ ከምዚ ኢሉ መለሰለይ፣
እዚኣቶም እቶም ኣብ ቅድሚ ኾላ ምድሪ ቜይሞም ዚወጹ ኣርባዕተ ንፋሳት ሰማይ እዮም፣ [6] እታ
መጋላት ኣፍራስ ዘለውዋ ናብ ሃገር ሰሜን ኣቢላ ትወጽእ፣ እቶም ኣምበሌታት ኣፍራስ ከኣ ደድሕሪኦም
ይወጹ፣ እቶም ጫጎታት ኣፍራስ ድማ ናብ ደቡብ ኣቢሎም ይወጹ። [7] እቶም ሓመራት ከኣ ወጹ፣
ንምድሪ ኺመላለስዋ ድማ ደለዩ። ንሱውን፣ ኪዱ ንምድሪ ተመላለስዋ፣ በለ። ንሳቶም ከኣ ንምድሪ
ተመላለስዋ። [8] ሽዑ ንሱ ጸውዓኒ እሞ፣ እንሆ፣ እቶም ናብ ሃገር ሰሜን ኣቢሎም ዝወጹ፣ ኣብ ሃገር ሰሜን
መንፈሰይ ኣህድኡ፣ ኢሉ ተዛረበኒ። [9] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ መጸኒ፣ [10] ካብቶም ምሩኻት
ካብ ሔልዳይ፣ ካብ ጦብያ፣ ካብ የዳዕያ፣ ናብታ ንሳቶም ካብ ባቢሎን መጺኦም ዝኣተውዋ ቤት ዮስያስ
ወዲ ጸፎንያስ ሎሚ እቶ፣ [11] ብሩርን ወርቅን ውሰድ እሞ ኣኽሊላት ስራሕ፣ ኣብ ርእሲ እቲ ሊቀ ኻህናት
እያሱ ወዲ የሆጻዳቅ ድማ ድፍኣሉ። [12] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ኢልካውን
ተዛረቦ፣ እቲ ጨንፈር ዝስሙ ሰብኣይ እንሆ፣ ንሱ ኻብ ቦታኡ ኺጭንፍር፣ መቕደስ እግዚኣብሄር ድማ
ኪሀንጽ እዩ። [13] ንሱ መቕደስ እግዚኣብሄር ኪሀንጽ፣ ክብሪ ኸኣ ኪጸውር፣ ኣብ ዝፋኑ ድማ ኪቕመጥን
ኪገዝእን እዩ፣ ኣብ ዝፋኑ ኻህን ኪኸውን፣ ኣብ መንጎ ኽልቲኦምውን ምኽሪ ሰላም ኪኸውን እዩ። [14]
እቲ ኣኽሊላት ከኣ ንሄላምን ንጦብያን ንየዳዕያን ንሄን ወዲ ጸፎንያስን ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር
ንመዘከርታ ኪኾኖም እዩ። [15] እቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኺመጹ፣ ኣብ መቕደስ እግዚኣብሄር ከኣ
ኪሰርሑ እዮም፣ ንስኻትኩም ድማ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ናባኻትኩም ከም ዝለኣኸኒ ኽትፈልጡ
ኢኹም። ነቲ ደሃይ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ተጠንቂቕኩም እንተ ሰማዕኩም፣ እዚ ኪኸውን እዩ።

## ምዕራፍ 7

[1] ኰነ ኸኣ፣ ብራብዐይቲ ዓመት ንጉስ ዳርዮስ፣ ብራብዐይቲ መዓልቲ ናይታ ከስለው እትበሀል ታስዐይቲ

ወርሒ፣ ቃል እግዚኣብሄር ናብ ዘካርያስ መጸ። 2-3 ቤትኤል ከኣ ንሻሬጽርን ንሬገምሜልክን ምስ ሰቦም
ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኪምህለሉን፣ ነቶም ካህናት ቤት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊትን ንነብያትን
ከኣ፣ ከምቲ በተን ብዙሓት ዓመታት ዝገበርክዎ፣ በታ ሓምሰይቲ ወርሒ ተፈልየ ኽበኪ እየ ኢሎም
ኪነግርዎምን ለኣኽዎም። 4 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ መጸኒ፣ 5 ንዅሉ ህዝቢ
እታ ሃገር ከምዚ ኢልካ ተዛረቦም፣ በተን ሰብዓ ዓመት ኣብ ሓምሳይን ሳብዓይን ወርሒ እትጾሙን
እትበኽዩን ዝነበርኩምሲ፣ ብሓቂዶ ንኣይ ኢኹም ዝጾምኩምለይ 6 ምስ እትበልዑን ምስ እትሰትዩንከ
ንርእስኹምዶ ኣይኰንኩምን እትበልዑን እትሰትዩን 7 የሩሳሌምን እተን ኣብ ዙርያኣ ዝነበራ ኸተማታትን
ሰብ ሰፊርወንን ሀድኤንን ከለዋ፣ ደቡብን ጐልጐልን ድማ ሰብ ሰፊርወን ከለዋ፣ እግዚኣብሄር ብኢድ
እቶም ቀዳሞት ነብያት ገይሩ ዝአወጆ ቓልሲ እዚዶ ኣይኰነን 8 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ከኣ
ንዘካርያስ መጾ፣ 9 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ሓቀኛ ፍርዲ ፍረዱ፣ ንሓድሕድኩም
ድማ ሰናይን ምሕረትን ግበሩ። 10 ንመበለትን ንዘኽታምን ንድኻን ኣይትግፍዑ፣ ካባኻትኩምውን ሓደ
እኳ ብልቡ ንሓዉ እከይ ኣይሕሰበሉ። 11 ንሳቶም ግና ምስማዕ ኣበዩ፣ እምቢተኛ እንግድዓ መለሱ፣
ከይሰምዑውን ኣእዛኖም ኣጽመሙ። 12 ነቲ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ብመንፈሱ ብኢድ እቶም
ቀዳሞት ነብያት ገይሩ ዝሰደዶ ሕግን ቃላትን ከይሰምዑስ፣ ልቦም ከም ኣልማዝ ገበሩ፣ ስለዚ ኻብ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ዓብዪ ቝጥዓ ኾነ። 13 ኰነ ድማ፣ ከምቲ ንሱ ዝጸውዔ፣ ንሳቶም ከኣ
ዘይሰምዑ፣ ከምኡውን ንሳቶም ጸውዑ፣ ኣነ ኸኣ ኣይሰማዕኩን፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 14
ኣነውን ናብቶም ዘይፈልጥዎም ዘበሉ ዅሎም ኣህዛብ በተንክዎም፣ እታ ሃገር ከኣ ሓደ እኳ ዘይሐልፋን
ዘይምለሳን ኰይና ብድሕሪኦም ባደመት፣ ነታ ሃገር ደስታውን ኣባደምዋ።

## ምዕራፍ 8

1 ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ መጸ፣ 2 ኣነ ብጽዮን ዓብዪ ቕንኢ ቐኒኤ ኣሎኹ፣
ብዓብዪ ቝጥዓውን ቀኒኤላ ኣሎኹ፣ ይብል እዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 3 ኣነ ናብ ጽዮን፣ ክምለስ ኣብ
ማእከል የሩሳሌም ከኣ ክነብር እየ። የሩሳሌም ድማ ከተማ ሓቂ ኽትስመ፣ እቲ ኸረን እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት ከኣ ቅዱስ ከረን ክስመ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 4-5 ኣረገውቲ ሰብኡትን ኣረገውቲ
ኣንስትን ገና ኣብ ኣደባባያት የሩሳሌም ኪቕመጡ እዮም፣ ዕድሚኦም ስለ ዝነውሐ ኸኣ፣ ነፍሲ ወከፎም
መምርኩሱ ኣብ ኢዱ ኺሕዝ እዩ። ኣደባባያት እታ ኸተማ ድማ በቶም ኣብተን ኣደባባያታ ዚስሕቑ
ኣወዳትን ኣዋልድን ኪመልኣ እየን፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 6 እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት
ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በተን መዓልትታት እቲኣተን ነዊንቲ ተረፍ እዚ ህዝቢ እዚ ዜደንቕ እንተ ዀነስ፣
ነዊንተይዶ ዜደንቕ ኪኸውን እዩ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 7-8 እንሆ፣ ካብ ሃገር ምብራቕን
ካብ ሃገር ምዕራብን ንህዝበይ ከድሕኖም እየ። ከምጽኦም እየ እሞ፣ ኣብ ማእከል የሩሳሌም ኪነብሩ
እዮም፣ ንሳቶም ህዝበይ ኪዀኑ እዮም፣ ኣነ ኸኣ ብሓቅን ብጽድቅን ኣምላኾም ክኸውን እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 9 ኣቱም በዘን መዓልታት እዚኣተን፣ እቶም ቤት መቕደስ ምእንቲ
ኽትህነጽሲ መሰረት ቤት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት እተሰረተትላ መዓልቲ ኣብኣ ዚነበሩ ነብያት
እተዛረብዎ፣ ካብ ኣፎም እዘን ቃላት እዚኤን እትሰምዑ ዘሎኹም፣ ኣእዳውኩም ኣጽንዑ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 10 ቅድሚ እዘን መዓልታት እዚኣተን ውዕለት ሰብን ውዕለት እንስሳን
ኣይነበረን። ንዅሉ ሰብ ኣብ ንሓድሕዱ ፈንየዮ እየ እሞ፣ ብሰሪ ጸላኢ ነቲ ዚወጽእን ዚኣቱን ሰላም

ኣይነበረን። [11-12] ዘርኢ ሰላም ኪኸውን እዩ፣ ወይኒ ፍሬኣ ኽትህብ እያ፣ ምድሪ ኸኣ ብቝላ ኽትህብ፣
ሰማያት ድማ ጠሎም ኪህቡ፣ ነቶም ተረፍ እዚ ህዝቢውን እዚ ዅሉ ኽረስትዮም እየ፣ ሕጂስ ነቶም
ተረፍ እዚ ህዝቢዚ ኽምቲ በተን ቀዳሞት መዓልትታት ዝነበርክዎ ኣይክዀኖምን እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [13] ኪኸውን ድማ እዩ፣ኣቱም ቤት ይሁዳን ቤት እስራኤልን፣ ከምዚ ኣብ
ማእከል ኣህዛብ መርገም ዝዀንኩም፣ ከምኡ ኽድሕነኩም እየ፣ በረኸትውን ክትኮኑ ኢኹም፣
ኣይትፍርሁ ኣእዳውኩም ኣጽንዑ። [14-15] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ከምቲ
ኣቦታትኩም ምስ ኣቘጥዑኒ ኽፉእ ክገብረኩም ዝሐሰብክዎ እሞ ዘይተጠዐስኩሉ፣ ከምኡውን በዘን
መዓልትታት እዚኣተን ንየሩሳሌምን ንቤት ይሁዳን ሰናይ ክገብረለን ከም ብሓድሽ ሐሲበ ኣሎኹ፣
ኣይትፍርሁ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [16] እቲ ኽትገብርዎ ዝግብኣኩም ነገርሲ እዚ እዩ፣
ነፍሲ ወከፍኩም ነንብጻዩ ሓቂ ተዛረቡ፣ ኣብ ደጌታትኩም ፍርዲ ሓቅን ሰላምን ፍረዱ። [17]
ካባኻትኩምውን ሓደ እኳ ብልቡ ንሓዉ እከይ ኣይሕሰበሉ፣ ማሕላ ሓሶት ኣይትፍትዉ፣ ነዚ ዅሉ
እጸልኦ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። [18] ከምዚ ዚብል ቃል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ መጸኒ፣ [19] እቲ
ጾም ናይ ራብዓይ ወርሕን እቲ ጾም ናይ ሓምሳይን እቲ ጾም ናይ ሳብዓይን እቲ ጾም ናይ ዓስራይ
ወርሕንሲ ንቤት ይሁዳ ሓጐስን ደስታን ባህ ዜብል በዓላት ዓመትን ኪዀነሎም እዩ፣ እምብኣርሲ ሓቅን
ሰላምን ኣፍቅሩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [20] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል
ኣሎ፣ ህዝብታትን ኣብ ብዙሕ ከተማታት ዚነብሩን ገና ኪመጹ እዮም። [21] ኣብታ ሓንቲ ዚነብሩ ናብታ
ኻልእ ኪኸዱ እዮም እሞ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ክንምህለልሲ፣ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከኣ
ክንደሊ ንኺድ፣ ኣነውን ክኸይድ እየ፣ ኪብሉ እዮም። [22] ብዙሓት ህዝብታትን ሓያላት ኣህዛብን
ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኣብ የሩሳሌም ኪደልይዎ፣ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ከኣ ኪምህለሉስ
ኪመጹ እዮም። [23] በተን መዓልትታት እቲኣተን ካብ ኵሉ ቛንቋታት ኣህዛብ ዝዀኑ ዓሰርተ ሰብ ንሓደ
ኣይሁዳዊ ዘፈር ክዳኑ ሒዞም፣ እግዚኣብሄር ምስኻትኩም ከም ዝዀነ ሰሚዕና ኢና እሞ፣ ምሳኻትኩም
ክንከይድ ኢና፣ ኪብሉ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

## ምዕራፍ 9

[1-2] ዓይኒ እግዚኣብሄር ናብ ኵሎም ሰብን ናብ ኵሎም ነገድ እስራኤልን ኣቢሉ እዩ እሞ፣ ጾር ቃል
እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ሃገር ሓድራክን ኣብ ልዕሊ ደማስቆን ኣብ ልዕሊ እታ ኣብ ወሰና ዘላ ሃማትን
ይዐርፉ፣ ኣዝየን ጥበበኛታት እየን እሞ፣ ኣብ ልዕሊ ጢሮስን ሲዶናን ከኣ ይዐርፍ። [3] ጢሮስ ዕርዳ
ዐረደት፣ ብሩር ከም ሓመድ፣ ወርቂ ድማ ከም ጸብሪ መገዲ ደለበት። [4] እንሆ፣ እግዚኣብሄር ኪሕዛ፣
ስልጣና ኸኣ ናብ ባሕሪ ኺድርብዮ እዩ፣ ብሓዊ ድማ ሞኾ ክትብል እያ። [5] ኣስቃሎን ክትርእዮ እያ እሞ
ክትፈርህ እያ፣ ዔቅሮን ድማ ተስፋኣ ተቘሪጹ እዩ እሞ፣ ከምኡ። ንጉስ ካብ ጋዛ ኺጠፍእ እዩ፣ ኣስቃሎን
ከኣ ዚነብራ ኽትስእን እያ። [6] ኣብ ኣሽዶድ ድቓላ ኺነብር እዩ፣ ኣነ ድማ ንትዕቢት ፍልስጥኤማውያን
ከጥፍኦ እየ። [7] ደሙ ኸኣ ካብ ኣፉ፣ ጽያፉ ድማ ካብ መንጋ ኣስናኑ ኽውጽኣሉ እየ፣ ንሱውን ንኣምላኽና
ተረፍ ኪኸውን፣ ኣብ ይሁዳ ኸኣ ከም ሓለቓ ኪኸውን እዩ፣ ዔቅሮን ድማ ከም ይቡሳዊ። [8] ካብ ሰራዊት፣
ካብቲ ዚኸይድን ዚመጽእን ክከላኸለላስ፣ ኣብ ዙርያ ቤተይ ክሰፍር እየ፣ ሕጂ በዒንተይ ርእየያ እየ
እሞ፣ ድሕርዚ ጨቋኒ ከቶ ኣይኪሐልፎምን እዩ። [9] ኣቲ ጓል ጽዮን፣ ኣዚኺ ተሐጐሲ፣ ኣቲ ጓል
የሩሳሌም፣ እልል በሊ፣ እንሆ ንጉስኪ፣ ንሱ ጻድቕ መድሓንን ትሑትን እዩ፣ ኣብ ኣድጊ፣ ኣብ ጻብዕ ኣድጊ

ተወጢሑ ናባኺ ይመጽእ ኣሎ። [10] ኣነ ኸኣ ሰረገላ ኻብ ኤፍሬም፣ ፈረስ ድማ ካብ የሩሳሌም ከጥፍእ
እየ፣ ቀስቲ ውግእ ኪጠፍእ እዩ። ንሱ ነህዛብ ሰላም ኪነግሮም እዩ። ግዝኣቱ ኻብ ባሕሪ ኽሳዕ ባሕሪ፣
ካብቲ ርባ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ኪኸውን እዩ። [11] ንኣኺ ድማ ብሳላ ደም ኪዳንኪ ነቶም እሱራትኪ ኻብቲ
ማይ ዜብሉ ጉድጓድ ከውጽኦም እየ። [12] ኣቱም ብተስፋ እተኣሰርኩም፣ ናብቲ ዕርዲ ተመለሱ፣ ኣነ ዕጽፊ
ገይረ ኸም ዝመልሰልኪ፣ ሎሚውን እነግረኪ ኣሎኹ። [13] ንርእሰይ ኢለ ንይሁዳ ኸም ቀስቲ ገተርክዎ፣
ብኤፍሬም ድማ መላእክዎ። ኣቲ ጽዮን፣ ንደቅኺ፣ ኣብ ልዕሊ ደቅኺ፣ ዎ ዮናኒ፣ ከተንስኦም፣ ንኣኺ
ድማ ሰይፊ ጅግና ኽገብረኪ እየ። [14] እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኦም ኪርኤ እዩ፣ ፍላጻኡ ኸኣ ከም በርቂ
ኺወጽእ እዩ፣ እግዚኣብሄር ኣምላኽውን መለኸት ኪነፍሕ፣ ብህቦብላ ንፋስ ደቡብ ድማ ኪኸይድ እዩ።
[15] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኬዕቍቦም እዩ፣ ንሳቶም ድማ ኪውሕጡ፣ እምኒ ወንጭፍ ከኣ ኪረግጹ
እዮም፣ ኪሰትዩ፣ ብወይኒ ኸም ዝሰኸሩ ጫውጫው ኪብሉ፣ ከም ዋንጫ፣ ከም ኵርናዕ መሰውኢ
ኺመልኡ እዮም። [16] ከምቲ ኣብ ምድሩ ዜንጸባርቕ ኣእማን ኣኽሊል እዮም እሞ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ
ኣግዚኣብሄር ኣምላኾም ንህዝቡ ኸም መጓሰ ኼድሕኖም እዩ። [17] ሰናዩ ኽንደይ ዓብዪ፣ ጽባቔኡስ ክንደይ
ዓብዪ እዩ። እኽሊ ነጕባዝ፣ ኵልዒ ወይኒ ኸኣ ነዋልድ ኬዕብዮም እዩ።

## ምዕራፍ 10

[1] ብጊዜ ጽብሓት ካብ እግዚኣብሄር ዝናም ለምኑ፣ እቲ መባርቕ ዚገብር እግዚኣብሄር ከኣ ንነፍሲ ወከፍ
ሳዕሪ ኣብ ግራት ሰርቢ ዝናም ኬዝንመሉ እዩ። [2] እቶም ጣኦታት ቤት ከንቱ ይዛረቡ፣ እቶም ጠንቈልቲ
ኸኣ ሓሶት ይርእዩ፣ ሕልሚ ሓሶት ይነግሩ፣ ብኸንቱውን የጸናንዑ። ስለዚ ኸም ኣባጊዕ ተባረሩ፣ ጓሳ
የብሎምን እሞ፣ ተጨነቑ። [3] ኵራይ ኣብ ልዕሊ እቶም ጓሶት ነደደ፣ ኣነውን ነቶም ድቤላታት ክቐጽዖም
እየ። እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ንመጓሴኡ ቤት ይሁዳ ዘኪርዎ እዩ እሞ፣ ኣብ ውግእ ከም ፈረስ
ክብሩ ኽገብሮም እዩ። [4] እቲ እምኒ ኹርናዕ ካብኡ፣ መትከል ካብኡ፣ ቀስቲ ውግእ ካብኡ፣ ኵሎም
ጨቈንቲ ኻብኡ ኺወጹ እዮም። [5] ኣብ ውግእ ከምቶም ንጸላእቶም ኣብ ጭቃ መገዲ ዚረግጹ ጀጋኑ
ኪኾኑ፣ እግዚኣብሄር ምስኦም እዩ እሞ፣ ኪዋጋኡ እዮም፣ እቶም ኣብ ኣፍራስ እተወጥሑ ኸኣ ኪሐንኩ
እዮም። [6] ኣነ ኸኣ ንቤት ይሁዳ ኽበርትዓ፣ ንቤት ዮሴፍ ድማ ከድሕና እየ። ራሕሪሔሎም እየ እሞ፣
ከመልሶም እየ። ኣነ እግዚኣብሄር ኣምላኾም እየ፣ ክሰምዖም ከኣ እየ እሞ፣ ከም ዘይወገድክዎምውን
ኪኾኑ እዮም። [7] ኤፍሬም ከም ጅግና ኪኾኑ እዮም፣ ልቦም ድማ ከም ብወይኒ ኺሕጐስ እዩ፣ ደቆም
ከኣ ኪርእይዎን ኪሕጐሱን እዮም፣ ልቦም ብእግዚኣብሄር እልል ኪብል እዩ። [8] ኣነ ተበጅየዮም እየ እሞ፣
ከፋጽየሎምን ክእከቦምን እየ፣ በዚሖም ከም ዝነበሩ ኸኣ ኪበዝሑ እዮም። [9] ኣብ ህዝብታት ክዘርኦም
እየ፣ ኣብ ርሑቕ ድማ ኪዝክሩኒ እዮም፣ ምስ ደቆምውን ብህይወት ኪነብሩን ኪምለሱን እዮም። [10] ካብ
ሃገር ግብጺ ኽመልሶም፣ ካብ ኣሶር ድማ ክእከቦም ፣ ናብ ሃገር ጊልዓድን ሊባኖስን ከምጽኦም እየ፣
ዘኣኽሎም ቦታ ኸኣ ኣይኪርከብን እዩ። [11] ንሱ ብባሕሪ ጸበባ ኺሐልፍ፣ ንማዕበላት ኣብ ባሕሪ ኺወቕዖ
እዩ፣ ኵሉ መዓሙቕ እቲ ርባ ኸኣ ኪነጽፍ እዩ። ትዕቢት ኣሶር ኪዋረድ፣ ዘንጊ ግብጺውን ኪርሕቕ እዩ።
[12] ብእግዚኣብሄር ከበርትዖም እየ፣ ንሳቶምውን ብስሙ ኺመላለሱ እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር።

## ምዕራፍ 11

1 ኣታ ሊባኖስ፣ ደጌታትካ ኸፈት፣ ነእዋምካ ኸኣ ሓዊ ይብልዓዮ። 2 ኣታ ጽሕዲ፣ ኦም ሊባኖስ ወዲቑ፣
እቶም ክቡራት በሪሶም እዮም እሞ፣ ዋይዋይ በል። ኣቱም ኣውሒ ባሳን፣ እቲ ብርቱዕ ዱር ተቘሪጹ እዩ
እሞ፣ ዋይዋይ በሉ። 3 ክበረቶም በሪሱ እዩ እሞ፣ ድምጺ ዋይዋይታ ጓሶት ይስማዕ፣ ትዕቢት ዮርዳኖስ
በሪሱ እዩ እሞ፣ ድምጺ ምጉዛም ሽደናት ኣናብስ ይስማዕ። 4 እግዚኣብሄር ኣምላኸይ ከምዚ ይብል ኣሎ፣
ነተን ኣባጊዕ ማሕረዲ ጓሰየን። 5 እቶም ተሻየጥተን ይሐርድወን፣ ንርእሶም በደልቲ ኸም ዝኾኑ ኸኣ
ኣይትቈጽሩን። እቶም ሸየጥተን ድማ፣ ኣነስ ሃብቲመ እግዚኣብሄር ይመስገን፣ ይብሉ፣ ጓሶተንውን ከቶ
ኣይንሕፍወንን። 6 እምብኣርሲ ነቶም ኣብታ ሃገር ዚነብር ድሕርዚ ኣይክንሕፎምን እየ፣ ኤረ ኣነስ እንሆ፣
ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ኣብ ኢድ ብጽዩን ኣብ ኢድ ንጉሱን ክውፍዮ እየ፣ ንሳቶም ከኣ ነታ ሃገር ኪሰባብርዋ
እዮም፣ ኣነውን ካብ ኢዶም ኣይከናግፎምን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 7 ሽዑ ነተን ኣባጊዕ ማሕረዲ፣
እወ፣ ነተን መሳኺን እታ መጓሰ ኣባጊዕ፣ ጓሴኽወን። ክልተ በትሪ ድማ ወሰድኩ፣ ነታ ሓንቲ ጸጋ፣ ነታ
ሓንቲ ኸኣ ስምረት ኢለ ሰሜኽወን፣ ነተን መጓሰ ኣባጊዕውን ጓሴኽወን። 8 ነቶም ሰለስተ ጓሶት ብሓንቲ
ወርሒ ኣጥፋእክዎም፣ ነፍሰይ ብኣታቶም ጸበባ፣ ነፍሶምውን ጸልኣትኒ። 9 ኣነ ኸኣ፣ ኣይክጓሰዮምን እየ፣
እታ እትመውት ትሙት፣ እታ እትጠፍእ ትጥፋእ፣ እተን ዝተርፋ ድማ ስጋ ሓድሕደን ይበላልዓ፣
በልኩ። 10 ነቲ ምስ ኵሎም ህዝብታት ዝኣተኽዎ ቓል ኪዳነይ ከፍርስሲ፣ ነታ ጸጋ ዝስማ በትረይ ወሲደ
ሰበርክዋ። 11 በታ መዓልቲ እቲኣ ፈረሰ፣ በዚውን እተን ናባይ ዜስተብህላ ዝነበራ ድኻታት እታ መጓሰ
ቓል እግዚኣብሄር ምኳኑ ፈለጣ። 12 ኣነ ድማ፣ ነዒንትኹም ባህ እንተ ኣበለኩምሲ፣ ዋጋይ ሀቡኒ፣ እንተ
ዘይኰነስ ሕደግዎ፣ በልክዎም። ንሳቶም ንዋጋይ ሰላሳ ብሩር መዘኑ። 13 እግዚኣብሄር ከኣ፣ ነቲ
ዝገምገሙለይ ክቡር ገምጋም ናብ ሰራሕ መሬት ደርብዮ፣ በለኒ። ኣነ ድማ ነቲ ሰላሰ ብሩር ወሲደ ኣብ
ቤት እግዚኣብሄር ናብቲ ሰራሕ መሬት ደርቤኽዎ። 14 ሽዑ ነቲ ኣብ መንጎ ይሁዳን እስራኤልን ዘሎ
ሕውነት ከፍርስ፣ ነታ ስምረት ዝበልክዋ ኻልኣይቲ በትረይ ሰበርክዋ። 15 እግዚኣብሄር ከኣ፣ ነቲ ኣቓሑ
ዓሻ ጓሳውን ንኣኻ ውሰዶ፣ በለኒ። 16 ስለዚ እንሆ፣ ስጋ ስቡሓት ዚበልዕ፣ ሸኾናኤን ኸኣ ዚምንጭት
እምበር፣ ነተን ዝጠፍኣ ግዲ ዘይገብረለን፣ ፋሕ ንዝበላ ድማ ዘይደልየን፣ ንዝተሰብራ ኸኣ ዘይፍውስ፣
ንጥዑያትውን ዘይቅልብ ጓሳ ኣብታ ሃገር ከተንስእ እየ። 17 እቲ ኣባጊዑ ዚፍኑ ዘይጠቅም ጓሳ ወይለኡ።
ሰይፊ ኣብ ልዕሊ ቕልጽሙን ኣብ ልዕሊ የማነይቲ ዓይኑን ይኹን፣ ቕልጽም ብጥራስ ኪነቅጽ፣ የማነይቲ
ዓይኑ ኸኣ ብዘላ ኽትጽልምት እያ።

# ምዕራፍ 12

1 ጾር ቃልእግዚኣብሄር ብዛዕባ እስራኤል። እቲ ንሰማያት ዝዘርግሖ፣ ንምድሪ ድማ ዝሰረታ፣ ንመንፈስ
ሰብውን ኣብ ውሽጢ ዝደኰኖ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፣ 2 እንሆ፣ የሩሳሌም ነቶም ኣብ ዙርያ
ዘለዉ ኹላቶም ህዝብታት ጽዋእ ስኽራን ክገብራ እየ፣ የሩሳሌም ተኸቢባ ኸላውን ኣብ ይሁዳ ኸምኡ
ኪኸውን እዩ። 3 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ የሩሳሌም ንኹላቶም ህዝብታት ከቢድ እምኒ
ኽገብራ እየ፣ ዚስከምዋ ዘበሉ ኹላቶም ኣህዛብ ኣዝዮም ኪቘስሉ እዮም፣ ኵላቶም ኣህዛብ ምድሪውን
ንምጽራራ ኺእከቡ እዮም። 4 በታ መዓልቲ እቲኣ ንኹላቶም ኣፍራስ ብስምባድ፣ ንዚውሕጥዎም ከኣ
ብጽላለ ኽወቕዖም እየ፣ ኣብ ልዕሊ ቤት ይሁዳ ድማ ኣዒንተይ ቋሕ ከብል እየ፣ ንኹላቶም ኣፍራስ
ህዝብታት ከኣ ብዑረት ክወቕዖም እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር። 5 ሓላቑ ይሁዳ ብልቦም፣ እቶም ኣብ
የሩሳሌም ዚነብሩ ብጐይታ ሰራዊት ኣምላኾም ሓይለይ እዮም፣ ኪብሉ እዮም። 6 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣነ

ነቶም ሓላቑ ይሁዳ ኸም ርሱን ምድጃ ኣብ ማእከል ዕጨይትን ከም ሃልሃልታ ሓዊ ኣብ ማእከል
እንዳእትን ክገብሮም እየ፣ ነቶም ብየማነ ጸጋም ከቢቦምውም ዘለዉ ኹላቶም ህዝብታት ከኣ
ኪውሕጥዎም እዮም፣ የሩሳሌም ድማ ኣብ ቦታኣ፣ ኣብ የሩሳሌም፣ ከም ብሓድሽ ሰፈር ክትከውን እያ። [7]
ክብረት ቤት ዳዊትን ክብረት እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ኣብ ልዕሊ ይሁዳ ኸይዕበ፣ እግዚኣብሄር
ቅድም ንድንኳናት ይሁዳ ኼድሕን እዩ። [8] በታ መዓልቲ እቲኣ እግዚኣብሄር ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነሩ
ኺከላኸለሎም እዩ። እቲ ኻባታቶም ድኹም ዝኾነ በታ መዓልቲ እቲኣ ኸም ዳዊት ክኸውን እዩ፣ ቤት
ዳዊት ከኣ ከም ኣምላኽ፣ ኣብ ቅድሚኦም ከም መልኣኽ እግዚኣብሄር ክትከውን እያ። [9] በታ መዓልቲ
እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ ነቶም ኣብ ልዕሊ የሩሳሌም ዚመጹ ኹሎም ኣህዛብ ንምጥፋኦም ክደሊ እየ።
[10] ኣብ ልዕሊ ቤት ዳዊትን ኣብ ልዕሊ እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን መንፈስ ጸጋን ምህለላን ክኽዑ
እየ፣ ንሳቶም ከኣ ንኣይ፣ ነቲ ዝወግእዎ ኺጥምቱ እዮም፣ ከምቲ ንሓደ ውሉድ ዚበኽዩሉ፣ ከምቲ
ንበኹሪ መሪር ሓዘን ዚሐዝንሉ ኣምሪሮም ኪሐዝኑሉ እዮም። [11] በታ መዓልቲ እቲኣ፣ ከምቲ ኣብ
ሃዳድሪሞን ኣብ ጐልጐል መጊዶን ዝኾነ ብኽያት፣ ኣብ የሩሳሌም ዓብዩ ብኽያት ኪኸውን እዩ። [12]
እታ ሃገር ከኣ ክትበኪ እያ፣ ነፍሲ ወከፍ ዓሌት ነንበይኑ፣ ዓሌት ቤት ዳዊት ንበይኖም፣ ኣንስቶም ድማ
ንበይነን፣ ዓሌት ቤት ናታን ንበይኖም፣ ኣንስቶምውን ንበይነን። [13] ዓሌት ቤት ሌዊ ንበይኖም፣ ኣንስቶም
ከኣ ንበይነን፣ ዓሌት ሽምዒ ንበይኖም፣ ኣንስቶምውን ንበይነን። [14] ኵሎም እቶም ዝተረፉ ዓሌታት ድማ
በብዓሌቶም ነንበይኖም፣ ኣንስቶምውን ንበይነን።

## ምዕራፍ 13

[1] በታ መዓልቲ እቲኣ ንቤት ዳዊትን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩን ንሓጢኣትን ርኽሰትን እትኸውን
ዔላ ማይ ክትከፈተሎም እያ። [2] እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ
ኪኸውን እዩ፣ ንስም ጣኦታት ካብታ ሃገር ከጥፍኦ እየ፣ ድሕርዚ ድማ ኣይኪዝከርን እዩ። ነቶም
ነብያትን ነቲ ርኹስ መንፈስን ከኣ ካብታ ሃገር ከልቅቖም እየ። [3] ኪኸውን ድማ እዩ፣ ገለ ሰብ ገና እንተ
ትነበየ፣ እቶም ዝወለድዎ ኣቦኡን ኣዲኡን፣ ንስኻ ብስም እግዚኣብሄር ሓሶት ተዛሪብካ ኢኻ እሞ፣
ብህይወት ኣይትነብርን፣ ኪብልዎ እዮም። እቶም ዝወለድዎ ኣቦኡን ኣዲኡንውን ኪንበ ኸሎ ኺወግእዎ
እዮም። [4] በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ እቶም ነብያት ነፍሲ ወከፎም ኪንበዩ ኸለዉ፣
ብራእዮም ኪሐንኩ እዮም፣ንምሕሳው ከኣ ጨጓር ሊባኖስ ኣይኪለብሱን እዮም። [5] ግናኸ፣ ሰብ ካብ
ንእስነተይ ገዚኡኒ እዩ እሞ፣ ሓረስታይ እየ እምበር፣ ነብዩ ኣይኰንኩን፣ ኪብል እዩ። [6] ንእኡ ኸኣ፣ እዚ
ኣብ ማእከል ኣእዳውካ ዘሎ ቚስሊ እንታይ እዩ እንተ በልዎ፣ ንሱ ድማ፣ እዚ ኣብ ቤት እቶም ዜፍቅሩኒ
እተወጋእክዎ እዩ፣ ኪብል እዩ። [7] ዎ ሰይፊ፣ ኣንጻር ጓሳኡን ኣንጻር እቲ ብጻየይ ዝኾነ ሰብን ተንስእ፣ ነቲ
ጓሳ ውቕዓዮ፣ እተን ኣባጊዕ ከኣ ፋሕ ኪብላ እየን፣ ኢደይ ድማ ኣንጻር እቶም ናእሽቱ ኽመልስ እየ፣
ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። [8] ኣብ ኵላ፣ እታ ሃገር ድማ ኪኸውን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር፣
እቶም ክልተ ኢድ ኣብኣ ኪቝረጹን ኪሞቱን እዮም፣ እቲ ሲሶ ግና ኺተርፍ እዩ። [9] ኣነ ኸኣ ነቶም ሲሶ
ናብ ሓዊ ኸእትዎም፣ ብሩር ከም ዚኹላዕ ክኹልዖም፣ ወርቂ ኸም ዚፍተን ክፍትኖም እየ። ስመይ
ክጽውዑ እዮም፣ ኣነውን ክሰምዖም እየ። ህዝበይ እዩ፣ ክብል እየ። ንሱውን፣ እግዚኣብሄር ኣምላኸይ
እዩ፣ ኪብል እዩ።

# ምዕራፍ 14

1 እንሆ፣ መዓልቲ እግዚኣብሄር ትመጽእ ኣላ፣ ዘመቴኺ ኸኣ ኣብ ማእከልኪ ኺምቀል እዩ። 2 ኣነኸኣ
ኵላቶም ኣህዛብ ንየሩሳሌም ኪዋግእዋ ኽእከቦም እየ፣ እታ ኸተማ ኽትትሐዝ እያ፣ ኣባይቲ ኺዝመት
እዩ፣ ኣንስቲውን ኪንውራ እየን፣ ፍርቂ እታ ኸተማ ድማ ተማሪኻ ኽትወጽእ እያ፣ ካብቲ ህዝቢ ዝተረፈ
ግና ካብታ ኸተማ ብጥራስ ኣይኪጠፍእን እዩ። 3 ሽዑ እግዚኣብሄር ኪወጽእ፣ ከምቲ ብመዓልቲ ውግእ
እተዋግኦ፣ ነቶም ኣህዛብ ኪዋግኦም እዩ። 4 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣእጋሩ ኣብቲ ኣብ ቅድሚ የሩሳሌም ኣብ
ምብራቕ ዘሎ ኸረን ዘይቲ ኪቐውም እዩ። እቲ ኸረን ዘይቲ ኸኣ ናብ ምብራቕን ምዕራብን ኣብ ማእከሉ
ኺስንጠቕ፣ ኣዝዩ ዓብዪ ሽንጭሮውን ኪኸውን እዩ፣ ፍርቂ እቲ ኸረን ናብ ሰሜን፣ ፍርቁ ድማ ናብ
ደቡብ ኪዘብል እዩ። 5 ሽንጭሮ እቲ ኣኽራን ክሳዕ ኣጻል ኪበጽሕ ኣዩ እሞ፣ ንስኻትኩም በቲ ሽንጭሮ
ኣኽራነይ ክትሀድሙ ኢኹም።ብዘመን ኡዝያ ንጉስ ይሁዳ ኻብ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኸም ዝሀደምኩም፣
ክትሀድሙ ኢኹም። እግዚኣሄር ኣምላኸይ ኪመጽእ እዩ፣ ኵላቶም ቅዱሳን ከኣ ምሳኻ። 6 በታ መዓልቲ
እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ ብርሃንሲ ድነ ኪኸውን እዩ እምበር፣ ነጸብራቕ ኣይኬብርህን እዩ። 7 ኣብ
እግዚኣብሄር እተፈልጠት ሓንቲ መዓልቲውን ትኸውን፣ መዓልቲ ወይስ ለይቲ ኣይኰነን፣ ግናኸ ኣጋ
ምሸት ብርሃን ኪኸውን እዩ። 8 በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኪኸውን እዩ፣ ህያው ማያት ካብ የሩሳሌም፣
ፈረቓኡ ናብ ምብራቓዊ ባሕሪ፣ ፈረቓኡ ኸኣ ናብ ምዕራባዊ ባሕሪ ኣቢሉ ኺወጽእ እዩ፣ ብሓጋይን
ብኽረምትን ኪህሉ እዩ። 9 እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ልዕሊ ኵላ ምድሪ ኺነግስ እዩ፣ በታ መዓልቲ እቲኣ
እግዚኣብሄር ሓደ፣ ስሙውን ሓደ ኪኸውን እዩ። 10 ኵላ እታ ሃገር ካብ ጌባዕ ክሳዕ ሪሞን ደቡብ
የሩሳሌም ናብ ጐልጐል ክትልወጥ እያ። የሩሳሌም ከኣ ልዕል ክትብል፣ ካብ ደገ ብንያም ክሳዕ እቲ ቦታ
ቐዳመይቲ ደገ፣ ክሳዕ ደገ ኹርናዕ፣ ካብ ግምቢ ሃናንኤል ድማ ክሳዕ መጽመቒ ንጉስ ኣብ ቦታኣ
ኽትነብር እያ። 11 ኣብኣ ኺነብሩ እዮም፣ ድሕርዚ ድማ መርገም ኣይኪኸውንን እዩ፣ የሩሳሌምውን ሀዲኣ
ኽትነብር እያ። 12 እዚ ኸኣ እቲ እግዚኣብሄር ነቶም ንየሩሳሌም ዚወግእዋ ኹላቶም ህዝብታት ዝወቕዓሉ
መዓት እዩ፣ በእጋሮም ደው ኢሎም ከለዉ ስጋኦም ኪምሽምሽ እዩ፣ ኣዒንቶም ኣብ ጉድጓደን ኪምሽምሻ
እየን፣ ልሳኖም ድማ ኣብ ኣፎም ክትምሽምሽ እያ። 13 በታ መዓልቲ ኸኣ ኪኸውን እዩ፣ እግዚኣብሄር
ዓብዪ ዕግርግር ኬተንስኣሎም እትዩ። ንሳቶም ድማ ኢድ ሓድሕዶም ኪተሓሐዙ ነፍሲ ወከፎም ከኣ
ኢዱ ኣብ ልዕሊ ኢድ ብጻዩ ኺልዐል እዩ። 14 ይሁዳ ድማ ንየሩሳሌም ኪዋግኣ እዩ፣ ሃብቲ እቶም ኣብ
ዙርያ ዘለዉ ዅሎም ኣህዛብ፣ ኣዝዩ ብዙሕ ወርቅን ብሩርን ክዳውንትን፣ ኪድለብ እዩ። 15 ከምኡውን
እታ ንፈረስን ንበቕልን ንገመልን ንኣድግን ነቶም ኣብቲ ሰፈር ዘለዉ ዅላቶም እንስሳን እትወቅዕ መዓት
ከምዛ መዓት እዚኣ ኽትከውን እያ። 16 ክኸውን ድማ እዩ፣ ካብቶም ኣንጻር የሩሳሌም መጺኦም ዝነበሩ
ዅሎም ኣህዛብ ዝተረፉ ዘበሉ ዅላቶም ንንጉስ፣ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኪሰግዱን በዓል ዳስ
ኬብዕሉን ኣብ ዐዓመት ኪድይቡ እዮም። 17 ኪኸውን ድማ እዩ፣ ገለ ኻብዞም ዓሌት ምድሪ ነቲ ንጉስ፣
ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት፣ ኪሰግዱሉ፣ ናብ የሩሳሌም እንተ ዘይደየቡ፣ ኣብኦም ዝናም ኣይኪዘንምን
እዩ። 18 ዓሌት ግብጺ እንተ ዘይደየቡን ዘይመጹን ከኣ ናብ ኦምውን ኣይኪዘንምን እዩ። እዚ እግዚኣብሄር
ነቶም በዓል ዳስ ኬብዕሉ ዘይድይቡ ኣህዛብ ዚቐጽዓሉ መዓት እዩ። 19 እዚ እቲ ቕጽዓት ግብጽን ቅጽዓት
እቶም በዓል ዳስ ኬብዕሉ ዘይድይቡ ዅላቶም ኣህዛብን እዩ። 20 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ቃጽል ኣፍራስ፣
ቅዱስ ንእግዚኣብሄር፣ ዚብል ኪጽሐፍ እዩ። እቲ ኣብ ቤት እግዚኣብሄር ዘሎ ድስትታትን ከምቲ ኣብ
ቅድሚ መሰውኢ ዘሎ ሓሊባት ኪኸውን እዩ።። 21 ድስቲ ዘበለ ዅሉ ኣብ የሩሌምን ኣብ ይሁዳን
ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ኪቐደስ እዩ። እቶም መስዋእቲ ዚስዋኡ ዅላቶም ከኣ ኪመጹ እዮም እሞ

ካብኡ ወሲዶም ኣብኡ ኬብስሉ እዮም። በታ መዓልቲ እቲኣ ድማ ኣብታ ቤት እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከነኣናዊ ከቶ ኣይኪህሉን እዩ።

# ትንቢት ሚልክያስ

## ምዕራፍ 1

1 ጾር ቃል እግዚኣብሄር ንእስራኤል ብኢድ ሚልክያስ። 2 ኣነ ኣፍቀርኩኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር።
ንስኻትኩም ግና፣ ብምንታይ ኢኻ ዘፍቀርካና ትብሉ ኣሎኹም። እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል፣ ኤሳውሲ
ሓው ያእቆብዶ ኣይኰነን ምስናይ እዚውን ንያእቆብ ኣፍቀርክዎ። 3 ንኤሳው ግና ጸላእክዎ፣ ነኽራኑ
ኣባደምክዎ፣ ርስቱውን ንወኻሩ ምድረበዳ ሀብክዎ። 4 ኤዶም ድማ፣ ፈረስና፣ ግናኽ ነቲ ዝፈረሰ
ተመሊስና ኽንሰርሖ ኢና፣ እንተ በለ፣ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ይብል፣ ንሳቶምሲ ኺሰርሑ እዮም፣
ኣነ ግና ከፍርስ እየ፣ ዶብ ረሲእነትን እግዚኣብሄር ንሓዋሩ እተቘጥዖ ህዝብን፣ ኢሎም ኪሰምይዎም
እዮም። 5 ኣዒንትኹም ድማ ኪርእያ እየን እሞ፣ እግዚኣብሄር ክንየው ዶብ እስራኤል ይዕበ፣ ክትብሉ
ኢኹም። 6 ንስኻትኩም ስመይ እትንዕቁ እሞ፣ ብምንታይ ንስምካ ነዐቕናዮ እትብሉ ኻህናት፣
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ከምዚ ይብል ኣሎ፣ ውሉድ ንወላዲኡ፣ ባርያ ኸኣ ንጐይታኡ የኽብር።
እምብኣርሲ ኣቦ እንተ ደኣ ኾይነ፣ ክብረተይ ኣበይ ኣሎ ጐይታ እንተ ኾይነስ፣ ምፍርሄይ ኣበይ ኣሎ 7
ኣብ መሰውእየይ ርኹስ እንጌራ ኣቕሪብኩምሲ፣ ብምንታይ ኣርከስናካ ትብሉ። መኣዲ እግዚኣብሄር
ሕሱር እዩ ብምባልኩም እዩ። 8 ንመስወእቲ ከኣ ዕዉር እንተ ኣቕረብኩም፣ ክፉእዶ ኣይኰነን ሓንካስ
ወይስ ሕሙም እንተ ኣቕረብኩምሲ፣ ክፉእዶ ኣይኰነን እስኪ እዚ ንምስለኔኻ ኣቕርበሉ፣ ይሕጐሰልካዶ
እዩ ወይስ ኣብኡዶ መጒስ ትረክብ ኢኻ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 9 እምብኣርሲ ሕጂ
ኺምሕረና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ለምኑ። እዚ ኻብ ኢድኩም እዩ፣ እሞኸ ገለ ኻባኻትኩምዶ ሞገስ
ኪረክብ እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 10 ኣብ መሰውእየይ ብኸንቱ ሓዊ ኸይተንድዱስ፣
ደጌታታ ዚዐጹ ኾታ ኻባኻትኩም ሓደ እንተ ዚህሉ። ኣነ ኣይሕጐሰልኩምን፣ ካብ ኢድኩምውን ገለ
መስዋእቲ ኣይቅበልን እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 11 ስመይ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ዓብዪ
ስለ ዝኾነ፣ ስመይ ካብ ምብራቕ ጸሓይ ክሳዕ ምዕራብ ኣብ ኣህዛብ ዓብዪ እዩ እሞ፣ ኣብ ኵሉ ቦታ
ንስመይ ዕጣን ይዐጥኑ፣ ንጹህ መስዋእቲ ድማ የቕርቡ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 12
ንስኻትኩም ግና፣ መኣዲ እግዚኣብሄር ረኺሱ፣ ረብሓኡ፣ እቲ ምግቡ ሕሱር እዩ፣ ብምባልኩም
ተርክስዎ ኣሎኹም። 13 ንስኻትኩምውን፣ ኣየ ኽንደይ ድኻም፣ ትብሉ፣ ኡፍ ድማ ትብሉሉ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። እተዘምተን ሕንካስን ሕሙምን ተምጽኡ፣ ከምኡ ጌርኩም መስዋእቲ
ተቕርቡ። እሞኸ ነዚዶ ኻብ ኢድኩም ክቕበሎ እየ ይብል እግዚኣብሄር። 14 ኣነ ዓብዪ ንጉስ እየ፣ ስመይ
ድማ ኣብ ኣህዛብ እተፈርሄ እዩ እሞ፣ እቲ ኣብ መጓሲኡ ተባዕታይ ዘለዎ፣ ተመባጺዑ ኸኣ ንእግዚኣብሄር
ጐደሎ ዚስውኣሉ ጠባርስ ርጉም ይኹን፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።

## ምዕራፍ 2

1 ኣቱም ካህናት ሕጂውን እዛ ትእዛዝ እዚኣ ንኣኻትኩም እያ። 2 ምስማዕ እንተ ኣቤኹም፣ ብልብኹም
ንስመይ ከተኽብሩ እንተ ዘይደሌኹም፣ መርገም ክሰደልኩም፣ ንበረኸትኹምውን ክረግሞ እየ።

ብልብኹም ኣይደሌኹምን ኢኹም እሞ፣ኤረ ድሮ እኳ ረጊመዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት። 3 እንሆ፣ ንዘርእኹም ክገንሖ እየ፣ ኣብ ገጽኩም ዒባ፣ ነቲ ዒባ በዓላትኩም፣ ክብትነልኩም እየ፣
ምስኡውን ኬውጽኡኹም እዮም። 4 ቃል ኪዳነይ ምስ ሌዊ ኪኸውንሲ፣ እዚ ትእዛዝ እዚ ኣነ ኸም
ዝሰደድኩልኩም ክትፈልጡ ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 5 ቃል ኪዳነይ ምስኡ
ህይወትን ሰላምን ነበረ፣ እዚ ኺፈርህ ኢለ ሀብክዎ፣ ንሱ ኸኣ ፈርሃኒ፣ ኣብ ቅድሚ ስመይውን
ኣንቀጥቀጠ። 6-7 ንሱ ልኡኽ እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ስለ ዝኾነ፣ ከናፍር ካህን ፍልጠት ይሕልዋ፣
ንሕጊ ድማ ካብ ኣፉ ይደልዮ እዩ እሞ፣ ሕጊ ሓቂ ኣብ ኣፉ ነበረ፣ ኣብ ከናፍሩ ኸኣ በደል ኣይትረኸበን፣
ንሱ ድማ ብሰላምን ቅንዕናን ምሳይ ተመላለሰ ንብዙሓትውን ካብ አበሳ መለሰ። 8 ንስኻትኩም ግና ካብ
መገዲ ኣግለስኩም፣ ንብዙሓት ብሕጊ ኣዕንቀፍኩም፣ ነቲ ቓል ኪዳን ሌዊ ኣፍረስኩም፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 9 ስለዚ ኣነውን፣ ከምቲ ንስኻትኩም መገደይ ዘይሐሎኹም፣ ብሕጊ ኸኣ
ገጽ ሰብ ዘድሎኹም፣ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ህዝቢ ንውቓትን ሕሱራትን ገበርኩኹም። 10 ንኹላትናዶ ሓደ
ኣቦ ኣይኰነን ዘሎና ሓደ ኣምላኽዶ ኣይኰነን ዝፈጠረና ስለምንታይ ደኣ ኪዳን ኣቦታትና እናርከስና
ንሓድሕድና ንጣላለም 11 ይሁዳ ነቲ ዘፍቅሮ ናይ እግዚኣብሄር ቅዱስ ነገር ኣርኪስዎ፣ ጓል ጓና ኣምላኽ
ከኣ ተመርዕዩ እዩ እሞ፣ ይሁዳ ጠለመ፣ ኣብ እስራኤልን ኣብ የሩሳሌምን ድማ ጽያፍ ተገብረ። 12
እግዚኣብሄር ነቲ ኸምዚ ዚገብር ሰብ፣ ነቲ ዚነቅሕን ምላሽ ዚህብን፣ ነቲ ንእግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት
መስዋእቲ ዜቕርብን ካብ ድንኳናት ያእቆብ ኬጥፍኦም እዩ። 13 ካልእ ድማ እዚ ገበርኩም፣ ንመሰውኢ
እግዚኣብሄር ብንብዓትን ብብኽያትን ብዋይዋይታን ከደንኩምዎ እሞ፣ ደጊም ንሱ ነቲ መስዋእቲ
ኣይጥምቶን፣ ካብ ኢድኩምውን ባህ ኢልዎ ኣይቅበሎን። 14 ስለምንታይ እዩ ከኣ ትብሉ ኣሎኹም።
እግዚኣብሄር ኣብ መንጎኻን ኣብ መንጎ እታ ብጸይትኻን ብዓልቲ ቓል ኪዳንካን ክነሳ ዝጠለምካያ
ሰበይቲ ንእስነትካን ምስክር ስለ ዝኾነ እዩ። 15 ሓደዶ ኣይኰነን ነዚ ዝገበረ ንሱውን ዕዙዝ መንፈስ
ነበሮ። እቲ ሓደኸ ስለምታይ እዩ ነዚ ገበሮ ዘርኢ ኣምላኽ ስለ ዝደለየ እዩ።እምብኣርሲ መንፈስኩም
ሐልዉ፣ ነታ ሰበይቲ ንእስነቱ ኸኣ ሓደ እኳ ኣይጥለም። 16 ምፍታሕን ንኺዳኑ ብዓመጽ ዚኸድኖን
እጸልእ ኣሎኹ፣ ይብል እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል። ስለዚ ኸይትጠልሙ መንፈስኩም ሐልዉ፣
ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 17 ንእግዚኣብሄር ብቓላትኩም ኣድከምኩምዎ። ብምንታይ እሞ
ኢና ዘድከምናዮ ድማ ትብሉ። ንስኻትኩም፣ ክፉእ ዚገብር ዘበለ ኣብ ቅድሚ ዓይኒ እግዚኣብሄር ሰናይ
እዩ፣ ንሱ ብእኦም ባህ ይብሎ፣ ወይስ ኣምላኽ ፍርዲ ኣበይ ኣሎ ብምባልኩም እዩ።

## ምዕራፍ 3

1 እንሆ፣ ኣነ ልኡኸይ እልእኽ ኣሎኹ፣ ንሱ ቐቅድመይ መገዲ ኺጸርግ እዩ። ብኡብኡ ኸኣ እቲ
እትደልይዎ ጐይታ ናብ መቕደሱ ኺመጽእ እዩ፣ እቲ እትናፍቕዎ መልኣኽ ቃል ኪዳን እንሆ፣ ይመጽእ
ኣሎ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 2 ግናኸ ንሱ ከም ናይ ኰላዒ ሓውን ከም ናይ ሓጻቢ
ሳሙናን እዩ እሞ፣ ነታ መዓልቲ ምምጻኡ መን ይጽመማ ንሱ ኺግለጽ ከሎስ፣ መን ይቐውም 3 ንሱ ኸኣ
ነቲ ብሩር ኪኸልዕን ኬጽርን ኪቕመጥ እዩ። ንደቂ ሌዊ ኬጽርዮም፣ ከም ወርቅን ብሩርን ከኣ
ኪኸልዖም እዩ፣ ንሳቶምውን ንእግዚኣብሄር መስዋእቲ ብጽድቂ ኺሰውእሉ እዮም። 4 ሽዑ መስዋእቲ
ይሁዳን የሩሳሌምን፣ ከምቲ በተን መዓልትታት ጥንትን በተን ናይ ቀደም ዓመታትን ዝኾነ፣
ንእግዚኣብሄር ባህ ኬብሎ እዩ። 5 ኣነ ንፍርዲ ክቐርበኩም እየ፣ ኣንጻር ኣስማተኛታትን ዘመውትን ኣንጻር

እቶም ብሓሶት ዚምሕሉን ነቲ በዓል ዓስቢ ዓስቡ ዝዕምጽዎን ንመበለትን ዘኽታምን ዚገፍዕዎምን
ንስደተኛ መሰሉ ዚጠውዩሉን ንኣይ ከኣ ዘይፈርሁን ቅልጡፍ ምስክር ክኾኖም እየ፣ ይብል
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 6 ኣነ እግዚኣብሄር ኣይልወጥን እየ እሞ፣ ኣቱም ደቂ ያእቆብ ስለዚ
ኣይጠፋእኩምን። 7 ካብ ዘመን ኣቦታትኩም ጀሚርኩም ካብ ስርዓተይ ኣግለስኩም ኣይሐለኹምዎን ከኣ።
ናባይ ተመለሱ፣ ኣነውን ናባኻትኩም ክምለስ እየ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። ንስኻትኩም
ግና፣ ብምንታይ እሞ ኢና ንምለስ በልኩም። 8 ሰብዶ ንኣምላኽ ኪሰርቆ ይኾነሉ እዩ ንስኻትኩም ግና
ሰሪቕኩምኒ። ብምንታይ እሞ ኢና ዝሰረቕናካ ከኣ ትብሉ። ብዕሽርን ብመባእን ኢኹም። 9 ንስኻትኩም፣
ህዝቢ ብምሉኣትኩም ሰሪቕኩምኒ ኢኹም እሞ፣ ብመርገም ተረገምኩም። 10 ኣብ ቤተይ ምግቢ
ኪኸውንሲ፣ ዕሽር ዘበለ ኹሉ ናብ ቤት መዝገብ ኣምጽእዎ፣ ሽዑ መሳኹቲ ሰማይ እንተ
ዘይከፈተልኩም፣ በረኸት ድማ ብዘይ ልክዕ እንተ ዘየፍሲሰልኩም፣ በዚ ተዐዘቡኒ፣ ይብል እግዚኣብሄር
ጐይታ ሰራዊት። 11 ስሌኹም ኢለ ነቲ ወሓጢ ኽገንሖ እየ፣ ንሱ ኸኣ ንፍረ ምድርኹም ኣይኪጥፍኣን እዩ
እቲ ተኽሊ ወይንኹም ኣብ ግራት ኣይኪቘልዕን እዩ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 12 ምድሪ
ሓጐስ ክትኰኑ ኢኹም እሞ፣ ኵሎም ኣህዛብ ብጹኣን ኪብሉኹም እዮም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ
ሰራዊት። 13 ቃላትኩም በርትዓኒ፣ ይብል እግዚኣብሄር። ንስኻትኩም ግና ኣንጻርካ እሞ እንታይ ተዛራብና
ትብሉ ኣሎኹም። 14 ንስኻትኩምውን፣ ንኣምላኽ ምግልጋል ከንቱ እዩ፣ ስርዓቱ ዝሐሎና ኣብ ቅድሚ
እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት ድማ ከሊ ተኸዲንና እተመላለስናስ እንታይ ረባሕና በልኩም። 15
እምብኣርሲ ነቶም ዕቡያት ብጹኣን እዮም ንብሎም ኣሎና፣ እወ፣ እቶም ገበርቲ ረሲእነት ይህነጹ፣ እወ፣
ንኣምላኽ ፈተንዎ ኣምለጡ ኸኣ። 16 ሽዑ እቶም ንእግዚኣብሄር ዚፈርሁ ንሓድሕዶም ተዛራረቡ፣
እግዚኣብሄር ከኣ ጽን በለ ሰምዔውን። ነቶም ንእግዚኣብሄር ዚፍርሁን ንስሙ ኸኣ ዚሐስቡን ዚኸውን
መጽሓፍ መዘከርታ ኣብ ቅድሚኡ ተጻሕፈ። 17 በታ ኣነ ዚገብረላ መዓልቲ ንሳቶም ገንዘበይ ኪኾኑኒ
እዮም። ኣነ ኸኣ፣ ከምቲ ወላዲ ነቲ ዜገልግሎ ውሉዱ ዚንሕፎ፣ ክንሕፎም እየ። 18 ንስኻትኩም ድማ
ከም ብሓድሽ ነቲ ኣብ መንጎ ጻድቕን ረሲእን፣ ኣብ መንጎ እቲ ንኣምላኽ ዚግዝኦን ዘይግዝኦን ዘሎ
ምፍልላይ ክትርእዩ ኢኹም።

## ምዕራፍ 4

1 እንሆ፣ እታ ኸም እቶን እትነድድ መዓልቲ ትመጽእ ኣላ እሞ፣ ኵሎም ዕቡያትን ረሲእነት ዚገብሩ
ዘበሉ ኹላቶምን ብርዒ ኪኾኑ እዮም፣ እታ እትመጽእ መዓልቲ ኸኣ ንእኦም፣ ሱር ወይስ ጨንፈር
ከይሐደገት፣ ሞዅ ከተብሎም እያ፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት። 2 ንኣኻትኩም ስመይ እትፈርሁ
ግና፣ ጸሓይ ጽድቂ ኽትበርቀልኩም እያ፣ ምድሓን ከኣ ኣብ ኣኽናፉ እዩ። ንስኻትኩም ድማ ክትወጹን
ከም ብተይ ደምበ ኽትዕንድሩን ኢኹም። 3 በታ ኣነ ዝገብረላ መዓልቲ ኣብ ትሕቲ ኽብዲ እግርኹም
ሓመኹስቲ ኪኾኑ እዮም እሞ፣ ንረሲኣን ክትረግጽዎም ኢኹም፣ ይብል እግዚኣብሄር ጐይታ ሰራዊት።
4 ነቲ ኣብ ሆሬብ ንኹሎም እስራኤል ኪኸውን ኢለ ንሙሴ ባርያይ ዝኣዘዝክዎ ሕጊ፣ ስርዓትን ፍርድን፣
ዘክርዎ። 5 እንሆ፣ እታ ዓባይን እተፍርህን መዓልቲ እግዚኣብሄር ከይመጸት፣ ነብዩ ኤልያስ ክልእከልኩም
እየ። 6 ኣነ መጺኤ ንምድሪ ብዘጽንት መርገም ከይወቕዓስ፣ ንሱ ልቢ ኣቦታት ናብ ደቂ፣ ልቢ ደቂ ድማ
ናብ ኣቦታቶም ኪመልስ እዩ።

# ወንጌል ማቴዎስ

## ምዕራፍ 1

1 መጽሓፍ ወለዶ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ዳዊት፡ ወዲ ኣብርሃም። 2 ኣብርሃም ንይስሃቕ ወለደ፡ ይስሃቕ
ንያእቆብ ወለደ፡ ያእቆብ ንይሁዳን ነሕዋቱን ወለደ፡ 3 ይሁዳ ኸኣ ካብ ትእማር ንፋሬስን ንዛራን ወለደ፡
ፋሬስ ንኤስሮም ወለደ፡ ኤስሮም ንኣራም ወለደ፡ 4 ኣራም ንኣሚናዳብ ወለደ፡ ኣሚናዳብ ንነኣሶን ወለደ፡
ነኣሶን ንሰልሞን ወለደ፡ 5 ሰለሙን ካብ ራኬብ ንቦኣዝ ወለደ፡ ቦኣዝ ካብ ሩት ንእዮቤድ ወለደ፡ እዮቤድ
ንእሴይ ወለደ። 6 እሴይ ንንጉስ ዳዊት ወለደ፡ ንጉስ ዳዊት ካብ ሰበይቲ ኡርያ ንሰሎሞን ወለደ። 7
ሰሎሞን ንሮብኣም ወለደ። ሮብኣም ንኣብያ ወለደ፡ ኣብያ ንኣሳ ወለደ፡ 8 ኣሳ ንእዮሳፉጥ ወለደ፡
እዮሳፉጥ ንእዮራም ወለደ፡ እዮራም ንኦዝያ ወለደ፡ 9 ኦዝያ ንእዮኣታም ወለደ፡ እዮኣታም ንኣካዝ ወለደ፡
ኣካዝ ንህዝቅያስ ወለደ፡ 10 ህዝቅያስ ንምናሴ ወለደ፡ ምናሴ ንኣሞን ወለደ፡ ኣሞን ንእዮስያስ ወለደ፡ 11
እዮስያስ ከኣ ብዘመን ምርኮ ባቢሎን ንኢኮንያን ነሕዋቱን ወለደ። 12 ድሕሪ ምርኮ ባቢሎን ድማ ኢኮንያ
ንሰላትኤል ወለደ፡ ሰላትኤል ንዘሩባቤል ወለደ፡ 13 ዘሩባቤል ንኣብዩድ ወለደ፡ ኣብድዩድ ንኤልያቄም
ወለደ፡ ኢልያቄም ንኣዛር ወለደ፡ 14 ኣዛር ንሳዶቅ ወለደ፡ ሳዶቅ ንኣኪም ወለደ፡ ኣኪም ንኤልዩድ ወለደ፡
15 ኤልዩድ ንኣልኣዛር ወለደ፡ ኣልኣዛር ንማታን ወለደ፡ ማታን ንያእቆብ ወለደ፡ 16 ያእቆብ ንዮሴፍ ሕጹይ
ማርያም ወለደ፡ ካብኣ ድማ እቲ ክርስቶስ ዚበሀል ዘሎ የሱስ ተወለደ። 17 እምበኣርሲ ዅሉ ወለዶ ኻብ
ኣብርሃም ክሳዕ ዳዊት ዓሰርተው ኣርባዕተ ወለዶ፡ ካብ ዳዊት ክሳዕ ምርኮ ባቢሎን ዓሰርተ ኣርባዕተ
ወለዶ፡ ካብ ምርኮ ባቢሎን ክሳዕ ክርስቶስ ድማ ዓሰርተው ኣርባዕተ ወለዶ እዩ። 18 ልደት የሱስ ክርስቶስ
ከምዚ እዩ፡ ኣዲኡ ማርያም ንዮሴፍ ተሐጽያ ኸላ፡ ከይተራኸቡ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ጠኒሳ ተረኽበት። 19
ዮሴፍ ሕጹያ፡ ጻድቕ ሰብኣይ ነበረ እሞ፡ ብሕቡእ ኪሐድጋ ሓሰበ እምበር፡ ኪገልጻ ኣይፈተወን። 20 ንሱ
እዚ ኺሐስብ ከሎ፡ እንሆ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ብሕልሚ ተራእዮ፡ ከምዚ ኢሉ፡ ዮሴፍ ወዲ ዳዊት፡
እቲ ሕጽይትኻ ማርያም ጠኒሳቶ ዘላ ኻብ መንፈስ ቅዱስ እዩ እሞ፡ ንምውሳዳ ኣይትፍራሀ። 21 ወዲ
ኽትወልድ እያ፡ ንሱ ኸኣ ንህዝቡ ኻብ ሓጢኣቶም ኬድሕኖም እዩ እሞ፡ ስሙ የሱስ ክትሰምዮ ኢኻ። 22
እዚ ዅሉ እቲ እግዚኣብሄር ብነብዩ እተዛረቦ ኺፍጸም ኰነ፡ ከምዚ ዚብል፡ 23 እንሆ፡ ድንግል ክትጠንስ
ወዲውን ክትወልድ እያ፡ ስሙ ኸኣ ኣማኑኤል ኪብልዎ እዮም፡ ትርጉሙ፡ ኣምላኽ ምሳና እዩ። 24 ዮሴፍ
ካብ ድቃሱ ተንሲኡ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከም ዝኣዘዞ ገበረ፡ ንማርያም ሕጽይቱ ወሰዳ። 25 በዅሪ ወዳ
ኽሳዕ እትወልድ ከኣ ኣይፈለጣን። ስሙ ድማ የሱስ ሰመዮ።

## ምዕራፍ 2

1-2 የሱስ ብዘመን ንጉስ ሄሮዶስ ኣብ ቤተልሄም ናይ ይሁዳ ምስ ተወለደ፡ እንሆ፡ ሰብ ጥበብ፡ እቲ
እተወለደ ንጉስ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ፧ ኰዀቡ ኣብ ምብራቕ ርኢና እሞ፡ ክንሰግደሉ መጺእና፡ እናበሉ
ኻብ ምብራቕ ናብ የሩሳሌም መጹ። 3 ንጉስ ሄሮዶስ ሰሚዑ ሰምበደ፡ ኵላ የሩሳሌምውን ምስኡ። 4 ንሱ
ድማ ንዅሎም ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍቲ ህዝብን ኣኪቡ፡ ክርስቶስ ኣበይ እዩ ዚውለድ፧ ኢሉ
ሐተቶም። 5-6 ንሳቶም ከኣ፡ ኣቲ ቤትልሄም ምድሪ ይሁዳ፡ ንህዝበይ እስራኤል ዚሕሉ ሹም ካባኺ

ኺወጽእ እዩ እሞ፡ ካብ ሹማምቲ ይሁዳ ከቶ ኣይትንእስን ኢኺ፡ ጽሑፍ እዩ እሞ ኣብ ቤትልሄም ናይ
ይሁዳ እዩ፡ በልዎ። [7] ድሕርዚ ሄሮድስ ንሰብ ጥበብ ብሕቡእ ጸውዖም፡ ካባታቶም ድማ ዘመን እቲ
እተራእዮም ኰኾብ ኣጸቢቑ ተረድኤ። [8] ናብ ቤትልሄም ድማ ሰደዶም፡ ኬድኩም ብዛዕባ እቲ ህጻን
ኣርጊጽኩም መርምሩ። ምስ ረኸብኩምዎ፡ ኣነ ኸኣ መጺኤ ኽሰግደሉ፡ ኣፍሉጡኒ በሎም። [9] ንሳቶም ከኣ
ካብ ንጉስ ሰሚዖም ከዱ። እንሆ፡ እቲ ኣብ ምብራቕ ዝረኣይዎ ኰኾብ ኣብ ልዕሊ እታ እቲ ሕጻን ዘለዋ
ቦታ መጺኡ ደው ክሳዕ ዚብል መርሖም። [10] ነቲ ኰኾብ ምስ ረኣይዎ፡ ኣዝዮም ብዙሕ ሓጎስ ተሐጎሱ።
[11] ናብ ቤት ኣትዮም፡ ነቲ ሕጻን ምስ ማርያም ኣዲኡ ረኣይዎ፡ ፍግም ኢሎም ድማ ሰገድሉ። ሳጽኖም
ከፊቶም ከኣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጸ በረኸተ ሀብዎ። [12] ናብ ሄሮዶስ ከይምለሱ፡ ብሕልሚ ምስ
ተራእዮም ድማ፡ ብኻልእ መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ። [13] ንሳቶም ምስ ሐለፉ፡ እንሆ፡ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ፡ ሄሮዶስ ነቲ ሕጻን ኪቐትሎ ይደሊ አሎ እሞ፡ ተንስእ፡ ነቲ
ሕጻንን ነዲኡን ሒዝካ ናብ ግብጺ ህደም፡ ክሳዕ ዝነግረካ ኸኣ ኣብኡ ጽናሕ፡ በሎ። [14] ተንሲኡ፡ ነቲ
ሕጻንን ነዲኡን ሒዙ፡ ብለይቲ ናብ ግብጺ ኸደ። [15] እቲ እግዚኣብሄር ብነብዩ፡ ንወደይ ካብ ግብጺ
ጸዋዕክዎ፡ ዝበሎ ምእንቲ ኺፍጸም ድማ፡ ሄሮዶስ ክሳዕ ዚመውት ኣብኡ ጸንሔ። [16] ሽዑ ሄሮዶስ ሰብ
ጥበብ ከም ዘላገጹሉ ምስ ረአየ፡ ብዙሕ ኵረየ እሞ፡ ንዅሎም ሕጻናት ቤት ልሄምን ኣብ ኵሉ ጐደቦታት
ንዝጸንሑን፡ ካብ ሰብ ጥበብ ኣርጊጹ ብዝሐተቶ ዘመን ወዲ ኽልተ ዓመትን ካብኡ ንታሕትን ንዘለዉ
ልኢኹ ኣቕተለ። [17-18] ሽዑ እቲ ብነብዩ ኤርምያስ፡ ኣብ ራማ ድምጺ ተሰምዔ፡ ዋይዋይታን ብዙሕ
ብኽያትን። ራሄል ስለ ደቃ በኸየት፡ ተወዲኦም እዮም እሞ፡ ምድባስ ኣበየት፡ እተበሀለ ተፈጸመ። [19]
ሄሮዶስ ምስ ሞተ፡ እንሆ ኣብ ግብጺ መልኣኽ እግዚኣብሄር ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ፡ [20] እቶም
ህይወት ነዚ ሕጻን ዚደልዩ ሞይቶም እዮም እሞ፡ ተንስእ፡ ነዚ ሕጻንን ነዲኡን ሒዝካ፡ ናብ ምድሪ
እስራኤል ኪድ፡ በሎ። [21] ንሱ ድማ ተንሲኡ፡ ነቲ ሕጻንን ነዲኡን ሒዙ፡ ናብ ምድሪ እስራኤል መጸ። [22]
ኣርኬላዎስ ኣብ ክንዲ ኣቦኡ ሄሮዶስ ከም ዝነገሰ ሰሚዑ ግና፡ ናብኡ ምኻድ ፈርሄ። ብሕልሚ ምስ
ተገልጸሉ ድማ፡ ናብ ምድሪ ገሊላ ኸደ። [23] እቲ ብነብያት፡ ናዝሬታዊ ኺበሀል፡ እተበሀለ ምእንቲ
ኺፍጸም፡ ናዝሬት ናብ እትበሀል ዓዲ መጺኡ ተቐመጠ።

## ምዕራፍ 3

[1-2] በቲ ወርሓት እቲ ዮሃንስ መጥምቕ፡ መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ እሞ፡ ተነስሑ፡ ኢሉ እናሰበኸ፡ ናብ
በረኻ ይሁዳ መጸ። [3] እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ፡ ኣብ በረኻ ዚእውጅ ድምጺ ኣዋጅ ነጋሪ፡ ጎደና
እግዚኣብሄር ጽረጉ፡ መገዱውን ኣቕንዑ፡ ኢሉ እተነግረሉ ንሱ እዩ። [4] ክዳን ዮሃንስ ካብ ጸጉሪ ገመል
ነበረ፡ ዕጣቕ ሕቑኡ ድማ ፈልቀ፡ ቀለቡ ኸኣ ኣንበጣን መዓር ሰንካልን ነበረ። [5] ሽዑ የሩሳሌምን ኵላ
ይሁዳን ብዘላ ሃገር ዙርያ ዮርዳኖስን ናብኡ መጸት። [6] ሓጢኣቶም እናተኣመኑ ኸኣ፡ ኣብ ርባ ዮርዳኖስ
ብእኡ ይጥመቑ ነበሩ። [7] ካብ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ብዙሓት ናብ ጥምቀቱ ኺመጹ ምስ ረአየ ግና
በሎም፡ ኣቱም ውሉድ ኣትማን፡ ካብቲ ዚመጽእ ቍጥዓ ኸም እትመልቁኽ መን ሐበረኩም፧ [8]
እምበርስከ ንንስሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ። [9] ብልብኹም፡ ኣብርሃም ኣቦ አሎና፡ ከም እትብሉ
ኣይምሰልኩም። ንኣብርሃምሲ ኻብዚ ኣእማን እዚ ውሉድ ኬተንስኣሉ፡ ንኣምላኽ ከም ዚከአሎ፡
እብለኩም አሎኹ። [10] ካብ ብሕጂ እኳ ማሕጸ ናብቲ ጕንዲ ኦም ተነቢሩ አሎ፡ እምበኣርሲ ጽቡቕ ፍረ
ዘይፈሪ ዘበለ ዅሉ ኦም ይቝረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ። [11] ኣነስ ንንስሓ ብማይ ኤጥምቐኩም አሎኹ፡

እቲ ድሕረይ ዚመጽእ ግና ካባይ ይሕይል እዩ፡ ኣነስ ኣሳእኑ ኽጸውር እኳ ኣይበቅዕን። ንሱ ብመንፈስ
ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቐኩም እዩ። 12 ዓውዱ ዜጽርየሉ መስኤ ኣብ ኢዱ ኣለዎ፡ ስርናዩ ኣብ ቈፎኡ
ይእክብ፡ ነቲ ሓሰር ግና ብዘይጠፍእ ሓዊ ኼንድዶ እዩ። 13 ሽዑ የሱስ ብዮሃንስ ኪጥመቕ፡ ካብ ገሊላ
ናብ ዮርዳኖስ መጸ፡ 14 ዮሃንስ ግና፡ ንኣይ ብኣኻ ምጥማቕ የድልየኒ፡ ንስኻዶ ናባይ ትመጽእ፧ ኢሉ
ኣበዮ። 15 የሱስ ከኣ፡ ኵሉ ጽድቂ ኽንፍጽም ይግባኣና እዩ እሞ፡ ሕጂስ ይኹን ደኣ ሕደግ፡ ኢሉ
መለሰሉ። ድሕሪዚ ፈቐደሉ። 16 የሱስ ምስ ተጠምቀ፡ ብኡብኡ ኻብ ማይ ወጸ። እንሆ ኸኣ ሰማያት
ተኸፍተ፡ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ወሪዱ፡ ኣብ ርእሱ ኪቕመጥ ረኣየ። 17 እንሆ ድማ ብእኡ
ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ እዚ እዩ፡ ዚብል ድምጺ ኻብ ሰማይ መጸ።

## ምዕራፍ 4

1 ሽዑ መንፈስ ንየሱስ፡ ብድያብሎስ ኪፍተን፡ ናብ በረኻ ኣውጽኦ። 2 ኣርብዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን
ምስ ጾመ፡ ድሕርዚ ጠመየ። 3 እቲ ፈታኒ ድማ መጺኡ፡ ወዲ ኣምላኽ እንተ ዄንካስ፡ እዚ ኣእማን
እንጌራ ኪኸውን በል፡ በሎ። 4 የሱስ ግና፡ ሰብ ካብ ኣፍ ኣምላኽ ብዚወጽእ፡ ኵሉ ቓል እምበር፡ ብንጌራ
ጥራይ ኣይነብርን፡ ጽሑፍ እዩ ኢሉ መለሰሉ። 5 ሽዑ ድያብሎስ ናብታ ቅድስቲ ኸተማ ወሲዱ፡ ኣብ
ገምገም ቤት መቕደስ ደው ኣበሎ። 6 እግርኻ ብእምኒ ኸይትዕንቀፍ፡ በእዳዎም ኪልዕሉኻ፡ ንመላእኽቱ
ምእንታኻ ይእዝዝ፡ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፡ ወዲ ኣምላኽ እንተ ዄንካስ፡ ንታሕቲ ገጽካ ጽደፍ፡ በሎ። 7
የሱስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታትኖ፡ ድማ ጽሑፍ ኣሎ፡ በሎ። 8 ድያብሎስ ከም ብሓድሽ ናብ
ኣዝዩ ነዊሕ ከረን ወሲዱ፡ መንግስትታት ኵላ ዓለምን ክብረተንን ኣርእዮ እሞ፡ 9 ፍግም ኢልካ እንተ
ሰገድካለይ፡ እዚ ዅሉ ኽህበካ እየ፡ በሎ። 10 ሽዑ የሱስ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፡ ንእኡ በይኑ
ድማ ተገዛእ፡ ጽሑፍ ኣሎ እሞ ኪድ ርሓቕ፡ ሰይጣን፡ በሎ። 11 ድሕርዚ ድያብሎስ ሐደጎ፡ እንሆ ድማ
መላእኽቲ መጺኦም ኣገልገልዎ። 12 የሱስ፡ ማእሰርቲ ዮሃንስ ሰሚዑ። ናብ ገሊላ ድሕር በለ። 13 ናዝሬት
ሐዲጉ ድማ፡ ኣብ ወሰን ዛብሎንን ንፍታሌምን፡ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ናብ ዘላ ቅፍርናሆም መጺኡ ተቐመጠ።
14 እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ እተበሀለ ኺፍጸም፡ ከምዚ ዚብል፡ 15 ምድሪ ዛብሎንን ምድሪ ንፍታሌምን፡
መገዲ ባሕሪ፡ ማዕዶ ዮርዳኖስ፡ ገሊላ ኣህዛብ፡ 16 ኣብ ጸልማት ዚነብር ህዝቢ ዓብዪ ብርሃን ረኣየ፡ ኣብ
ዓዲ ሞትን ድኔኣን ንዚነብሩ ድማ ብርሃን ወጸሎም። 17 የሱስ ካብኡ ነጀው፡ መንግስተ ሰማይት ቀሪባ
ኣላ እሞ፡ ተነስሑ፡ እናበለ ኺሰብኽ ጀመረ። 18 ኣብ ጥቓ ባሕሪ ገሊላ ኺመላለስ ከሎ፡ ክልተ ኣሕዋት፡
ጴጥሮስ ተብሂሉ ዘሎ ስምኦንን እንድርያስን ሓዉን ገፈፍቲ ዓሳ ነበሩ እሞ፡ መርበቦም ናብ ባሕሪ
ኺድርብዩ ረኣየ። 19 የሱስውን፡ ኣነ ድማ ገፈፍቲ ሰብ ክገብረኩም እየ፡ ንዑ ስዐቡኒ፡ በሎም። 20
ብኡብኡ መርበቦም ሐዲጎም ሰዐብዎ። 21 ካብኡ ሐሊፉ ኽልተ ኻልኦት ኣሕዋት፡ ያእቆብ ወዲ
ዘብዴዎስን ዮሃንስ ሓውን፡ ምስ ዘብዴዎስ ኣቦኦም፡ መርበቦም ኣብ ጃልባ ኺዕርዩ ረኣየ እሞ ጸውዖም።
22 ንሳቶም ከኣ ነታ ጃልባን ኣቦኦምን ሐዲጎም፡ ብኡብኡ ሰዐብዎ። 23 የሱስ ድማ ኣብ ኵላ ገሊላ፡ ኣብ
ቤት ጸሎቶም እናመሀረ ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ፡ ኵሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኩሉ ድናሰን
እናሕወየ ይዞውር ነበረ። 24 ወሪኡውን ኣብ ኵላ ሶርያ ወጸ። ንዅሎም ሕሙማት ከኣ፡ በብዓይነቱ
ሕማም ዘለዎምን ቃንዛን ኣጋንንቲ ዘለዎምን ሕማም ባርያ በብወርሒ ዚለዐሎምን መጻጉዓትን ናብኡ
ኣምጽኡሉ፡ ንሱ ድማ ኣሕወዮም። 25 ካብ ገሊላን ካብ ዓሰርተ ዓድን ካብ የሩሳሌምን ካብ ይሁዳን ካብ
ማዕዶ ዮርዳኖስን ከኣ ብዙሓት ሰብ ሰዐብዎ።

# ምዕራፍ 5

1 ብዙሕ ህዝቢ ምስ ረአየ፡ ናብ ከረን ደየበ። ምስ ተቐመጠ ኸኣ፡ ደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ቐረቡ። 2 ኣፉ
ኸፊተ፡ ከምዚ እናበለ ድማ መሃሮም፡ 3 ብመንፈስ ድኻታት፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን
እዮም። 4 ዚጕህዩ፡ ምጽንናዕ ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። 5 ዓቃላት፡ ንምድሪ ኺወርስዋ እዮም
እሞ፡ ብጹኣን እዮም። 6 ጽድቂ ዚጠምዩን ዚጸምኡን፡ ኪጸግቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። 7 መሓርቲ፡
ምሕረት ኪረኽቡ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። 8 ጹሩያት ልቢ፡ ንኣምላኽ ኪርእይዎ እዮም እሞ፡
ብጹኣን እዮም። 9 ገበርቲ ሰላም፡ ውሉድ ኣምላኽ ኪበሀሉ እዮም እሞ፡ ብጹኣን እዮም። 10 ምእንቲ ጽድቂ
ዚስደዱ፡ መንግስተ ሰማያት ናቶም እያ እሞ፡ ብጹኣን እዮም። 11 እንተ ጸረፉኹምን እንተ ሰጐጉኹምን
ምእንታይ ድማ ክፉእ ዘበለ ብሓሶት እንተ ተዛረቡልኩም፡ ብጹኣን ኢኹም። 12 ከምኡ ኸኣ ቅድሜኹም
ንዝነበሩ ነብያት ሰጒጎምዎም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማያት ዓስብኹም ብዙሕ ስለ ዝኾነ፡ ተሐጎሱ ባህውን
ይበልኩም። 13 ንስኻትኩም ጨው ምድሪ ኢኹም። ጨው መቐረቱ እንተ ኸደኸ፡ ብምንታይ ይምቅር፧
ብሰብ ኪርገጽ ንግዳም ምድርባዩ እንተ ዘይኰይኑ እምበር፡ ዚጠቅም የብሉን። 14 ንስኻትኩም ብርሃን
ዓለም ኢኹም። ኣብ ከረን ዘላ ኸተማ ኽትክወል ኣይከኣላን እዩ። 15 መብራህቲ፡ ኣብ ቤት ንዘሎ ኹሉ
ኼብርህ፡ ኣብ ቀዋሚ ቐንዴል ኪሰቕልዎ እምበር፡ ኣብ ትሕቲ ኸፈር ኬንብርዎ ኣየብርሁን እዮም። 16
ከምኡ ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ግብርኹም ርእዮም፡ ኣብ ሰማያት ንዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ኼመስግንዎ፡
ብርሃንኩም ኣብ ቅድሚ ሰብ ይብራህ። 17 ንሕጊ ኾነ ወይስ ንነብያት ክፍጽሞም እምበር፡ ክስዕሮም
ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም። 18 ሰማይን ምድርን ክሳዕ ዚሐልፍ፡ ኵሉ ኽሳዕ ዚፍጸም፡ ካብ ሕግስ የውጣ
ወይስ ሓንቲ ሕንጣጥ ከም ዘይትሓልፍ፡ ብሓቂ ይብለኩም ኣለኹ። 19 እምብኣርሲ ኻብዘን ናእሽቱ
ትእዛዛት ሓንቲ ዝሰዐረ፡ ከምእውን ንሰብ ዝመሀረ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ንእሽቶ ኺበሀል እዩ።
እናገበረ ዚምህር ግና፡ ንሱ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዓብዩ ኺበሀል እዩ። 20 ጽድቅኹም ካብ ጽድቂ
ጻሓፍትን ፈሪሳውያንን ኣዝዩ እንተ ዘይበዝሐ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ኣይትኣትዉን ኢኹም፡ ኢለ
እነግረኩም ኣሎኹ። 21 ነቶም ቀዳሞት፡ እቲ ዝቐተለ ኺፍረዶ እዩ እሞ፡ ኣይትቕተል፡ ከም እተባህለሎም
ሰሚዕኩም ኣሎኹም። 22 ኣነ ግና፡ ንሓዉ ዚቖጥዖ ዘበለ ኹሉ ኺፍረዶ እዩ፡ ንሓዉ፡ ኣታ ተኸዳን
ጨርቂ፡ ዚበሎ ድማ ኣብ መጋባእያ ኺፍረዶ፡ ኣታ ዓሻ፡ ዚብሎውን ንገሃነም ሓዊ ኺፍረዶ እዩ፡
እብለኩም እሎኹ። 23 እምብኣርከ መባእካ ናብ መሰውኢ እንተ ኣምጻእካ፡ ሓውካ ሐዚኑልካ ምህላዉ
ኸኣ እንተ ሐሰብካ፡ 24 ነቲ መባእካ ኣብኡ ኣብ ቅድሚ መሰውኢ ሕደጎ፡ ኪድ ቅድም ምስቲ ሓውካ
ተዐረቕ፡ ዳሓር ድማ ተመሊስካ መባእካ ኣቕርብ። 25 ምስ መባእስትኻ ድማ ገና ኣብ መገዲ ኸሎኻ፡
ቀልጢፍካ ምስኡ ተዐረቕ። እንተ ዘይኰነስ እቲ መባእስትኻ ንፈራዲ ኣሕሊፉ ኺይህበካ፡ ፈራዲውን
ንጊልያኡ። ናብ ቤት ማእሰርቲ ኸኣ ትኣቱ። 26 እታ መወዳእታ ቆድራንቴን ክሳዕ እትፈዲ፡ ካብኣ ኸም
ዘይትወጽእ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ። 27 ነቶም ቀዳሞት፡ ኣይትዘሙ፡ ከም እተባህለሎም፡ ሰሚዕኩም
ኣሎኹም። 28 ኣነ ግና ንሰበይቲ ኺብህጋ ዚጥምታ ዅሉ ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ፡ እብለኩም
ኣሎኹ። 29 የማነይቲ ዓይንኻ እንተ ኣስሐተትካ፡ ካባኻ ጕጥጕጥካ ደርብያ። ብዘሎ ስጋኻ ኣብ ገሃነም
ካብ ዚኣቱስ፡ ሓንቲ ኣካልካ እንተ ጠፍኤት ይሔሸካ። 30 የማነይቲ ኢድካ እንተ ኣስሐተትካውን፡ ካባኻ
ቘሪጽካ ደርብያ። ብዘሎ ስጋኻ ኣብ ገሃነም ካብ ዚኣቱስ፡ ሓንቲ ኣካልካ እንተ ጠፍኤት ይሔሸካ። 31
ንሰበይቱ ዚፈትሓ፡ ጽሕፈት መፍትሒኣ ይሀባ፡ ተባህለ። 32 ኣነ ግና፡ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ንሰበይቱ
ዚፈትሓ ዘበለ ዅሉ፡ ዘማዊት ገበራ፡ እቲ ፍትሕቲ ዜእቱ ድማ ዘመወ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 33 ድማ
ነቶም ቀዳሞት፡ ማሕላኻ ንእግዚኣብሄር ሀቦ እምበር፡ ብሓሶት ኣይትምሓል፡ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም

ኣሎኹም። 34 ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ፡ ብሰማያት ኲነ፡ ዝፋን ኣምላኽ እዩ እሞ፡ 35 ብምድሪ ኹነ፡
መርገጽ እግሩ እያ እሞ፡ ብየሩሳሌም ኲነ፡ ከተማ እቲ ዓብዩ ንጉስ እያ እሞ፡ ከቶ ኣይትምሐሉ። 36 ካብ
ጸጉሪ ርእስኻ ሓንቲ ኸተጻዕዱ ወይስ ከተጸልም ኣይትኽእልን ኢኻ ኣሞ፡ ብርእስኻ እኳ ኣይትምሐል። 37
ነገርኩምሲ፡ እወ፡ እወ፡ ኣይኰነን፡ ኣይኰነን ደኣ ይኹን። ካብዚ ዝበዝሔ ኻብቲ ኽፉእ እዩ። 38 ዓይኒ
ኽንዲ ዓይኒ፡ ስኒ ኽንዲ ስኒ፡ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። 39 ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ፡
ንኽፉእ ኣይትቃወምዎ። የማነይቲ መልትሕካ ንዚወቕዓካ ግና፡ እታ ኻላኣይቲውን ምለሰሉ። 40 ነቲ
ኪማጐተካ፡ ቀምሽካ ኽኣ ኪወስድ ዚደሊ፡ እታ ኽዳንካውን ሕደገሉ። 41 ሓደ ምዕራፍ ንዝሰሓበካ፡
ክልተ ምዕራፍ ምስኡ ኺድ። 42 ንዝለመነካ ሃቦ፡ ካባኻ ኺልቃሕ ንዚደሊውን ኣይትኽልኣዮ። 43 ብጻይካ
ፍቶ፡ ጸላኢኻ ጽላእ፡ ከም እተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። 44-45 ኣነ ግና እብለኩም ኣሎኹ፡ ጸላእትኹም
ፍተዉ፡ ንዚረግሙኹም መርቑ። ውሉድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ምእንቲ ክትኰኑ፡ ንሱ
ንኽፉኣትን ንሕያዎትን ጸሓይ የብርቕ፡ ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ድማ ዝናም የዝንም እዩ እሞ፡
ንዚጸልእኹም ጽቡቕ ግበሩ፡ ስለቶም ዚጸርፉኹምን ዚሰጉኹምን ጸልዩ። 46 ነቶም ዚፈትዉኹም እንተ
ፈቶኹም፡ እንታይ ዓስቢ ኣሎኩም፧ ተገውትስ ከምኡዶ ይገብሩ ኣይኰኑን፧ 47 ነሕዋትኩም ጥራይ
ብጽቡቕ እንተ ተቐበልኩምከ፡ እንታይ ሓለፋ ገበርኩም፧ ኣህዛብሲ ኸምኡዶ ይገብሩ ኣየለዉን፧ 48
እምብኣርከ ኸምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም ፍጹም ዝኾነ፡ ንስኻትኩምውን ፍጹማት ኩኑ።

# ምዕራፍ 6

1 ጽድቕኹም፡ ኣብ ቅድሚ ሰብ ምእንቲ ኽትርአዩ፡ ከይትገብሩ ተጠንቀቑ። እንተ ዘይኰነስ፡ ኣብቲ ኣብ
ሰማያት ዘሎ ኣቦኹም ዓስቢ የብልኩምን። 2 እምብኣርከ ንስኻ ኽትምጽውት ከሎኻ፡ ከምቲ እቶም
ግቡዛት፡ ብሰብ ምእንቲ ኺንኣዱ፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎትን ኣብ ኣደባብያትን ዚገብርዎ፡ ኣብ ቅድሜኻ
መለኸት ኣይትንፋሕ። ዓስቦም ከም ዝወሰዱ፡ ብሓቂ እበለኩም ኣሎኹ። 3-4 ንስኻስ፡ ምጽዋትካ ብሕቡእ
ኪኸውን፡ እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ ኪኸሕስካ፡ ክትምጽውት ከሎኻ የማነይትኻ
እትገብሮ፡ ጸጋመይትኻ ኣይትፍለጦ። 5 ንስኻትኩም ክትጽልዩ ኸሎኹም፡ እቶም ግቡዛት ብሰብ ምእንቲ
ኺርኣዩ፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎትን ኣብ ቃራናታት መገዲን ደው ኢሎም ኪጽልዩ ይፈትዉ እዮም እሞ፡
ከማታቶም ኣይትኹኑ። ዓስቦም ከም ዝወሰዱ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 6 ንስኻስ ክትጽሊ ኸሎኻ፡
ናብ ቤትካ እቶ፡ ማዕጾኻ ዕጾ፡ ነቲ ብሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ለምኖ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ ድማ ብግህዶ
ኪኸሕስካ እዩ 7 ክትጽልዩ ኸሎኹም ከኣ፡ ኣህዛብ ብምብዛሕ ዘረባኦም ዚሰምዑ ይመስሎም እዩ እሞ፡
ከማታቶም ዘረባ ኣይተብዝሑ። 8 እምብኣርስከ ኣቦኹም ከይለመንኩምዎ፡ ዜድልየኩም ይፈልጥ እዩ
እሞ፡ ኣይትምሰልዎም። 9 ንስኻትኩምሲ ኸምዚ ኢልኹም ደኣ ጸልዩ፡ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡
ስምካ ይቀደስ። 10 መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ኸምቲ ኣብ ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።
11 ናይ ዕለት እንጌራና ሎሚ ሃበና። 12 ንሕና ንዝበደሉና ኸም ዝሐደግናሎም፡ በደልና ሕደገልና። 13 ካብ
ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ናብ ፈተና ኣይተእትወና። መንግስትን ሓይልን ክብርን ንዘለኣለም ናትካ እዩ
እሞ፡ እሜን። 14 ንሰብ በደሎም እንተ ሓደግኩምሎም፡ ንኣኻትኩም ድማ ናይ ሰማይ ኣቦኹም
ኪሐድገልኩም እዩ። 15 ንሰብ በደሎም እንተ ዘይሐደግኩምሎም ግና፡ ንኣኻትኩም ድማ ኣቦኹም
ኣይሐድገልኩምን እዩ። 16 ክትጸሙ ኸሎኹም፡ እቶም ግቡዛት፡ ጽዋሞት ምኧኖም ብሰብ ምእንቲ
ኺርኣዩ፡ ገጾም የጸምልዉ እዮም እሞ፡ ከማታቶም ጽምልዋት ኣይትኹኑ። ዓስቦም ከም ዝወሰዱ ብሓቂ

እብለኩም ኣሎኹ። 17-18 ንስኻስ ክትጸውም ከሎኻ፡ ጽዋማይ ምዃንካ በቲ ኣብ ሕቡእ ዘሎ ኣቦኻ ደኣ
እምበር፡ ብሰብ ምእንቲ ኸይትርኤ፡ ርእስኻ ተለኽ፡ ገጽካውን ተሐጸብ። እቲ ብሕቡእ ዚርኢ ኣቦኻ
ድማ ብግህዶ ኪኽሕሰካ እዩ። 19-21 መዝገብካ ኣብ ዘለዎ፡ ኣብኡ ድማ ልብኻ ኣሎ። ስለዚ ብልዒ ኣብ
ዘይበልዖ፡ ነቐዝ ኣብ ዘየንቅዞ፡ ሰረቕቲ ኸዒቶም ኣብ ዘይሰርቅዎ ኣብ ሰማይ ደኣ መዝገብ ግበሩ እምበር፡
ብልዒ ኣብ ዚበልዖ፡ ነቐዝ ኣብ ዜንቅዞ፡ ሰረቕቲ ኸዒቶም ኣብ ዚሰርቅዎ ኣብ ምድሪ ንኣኻትኩም
መዝገብ ኣይትግበሩ። 22 ናይ ስጋ መብራህቲ ዓይኒ እያ። ዓይንኻ ጥዕይቲ እንተ ኾይነት፡ ብዘሎ ስጋኻ
ብሩህ ይኸውን። 23 ዓይንኻ ሕምምቲ እንተ ኾይነት ግና፡ ብዘሎ ስጋኻ ጸልማት ይኸውን። እምብኣርሲ
እቲ ኣባኻ ዘሎ ብርሃን ካብ ጸልመተ፡ ጸልማቱስ ክንደይ ዓብዪ ይኸውን። 24 ንኽልተ ጐይተት ኪግዛእ
ዚኽእል የልቦን። ወይ ነቲ ሐደ ጸሊኡ፡ ነቲ ሐደ ይፈቱ። ወይ ከኣ ነቲ ሐደ ተኣዚዙ፡ ነቲ ሐደ ይንዕቕ።
ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይኽኣልኩምን እዩ። 25 ካብ መብልዕሲ ህይወትዶ ኣይትበልጽንን፧ ካብ
ክዳንስ ስጋዶ ኣይበልጽን፧ ስለዚ ንህይወትኩም ብትበልዕዎን ብትሰትይዎን ወይስ ንስጋኹም
ብትኽደንዎን ኣይትጨነቑ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 26 ነዕዋፍ ሰማይ ተመልከቱ፡ ናይ ሰማይ ኣቦኹም ደኣ
ይምግበን እምበር፡ ኣይዘርኣ፡ ኣይዐጽዳ፡ ኣብ ማዕከንውን ኣይእክባን እየን። ንስኻትኩምዶ ግዳ
ኻባታተን ብዙሕ ኣይትበልጹን፧ 27 ካባኻትኩምከ ተጨኒቑ ኣብ ልዕሊ ቑመቱ ሓንቲ እመት ኪውስኽ
ዚኽእል መን ኣሎ፧ 28 ከመይከ ብናይ ክዳን እትጭነቑ፧ ንዕምባታት መሮር ከመይ ኢሎም ከም ዚዐብዩ
ተመልከቱ፡ ኣይደኽሙ፡ ኣይፈትሉ። 29 ምስናይዚ ግና ሰሎሞን እኳ በቲ ኹሉ ኽብሩ ኸም ሐደ
ኻባታቶም ከም ዘይተኸደነ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 30 ኣምላኽ ነቲ ሎሚ ዘሎ፡ ጽባሕ ግና ናብ እቶን
ዚድርበ ሳዕሪ መሮር ከምዚ ገይሩ ዚኸድኖ ኻብ ኰነ ደኣ፡ ኣቱም ጐዱላት እምነት፡ ንኣኻትኩምዶ ግዳ
ኣብሊጹ ኣይከድነኩምን፧ 31 እምበርከ እንታይ ንበልዕ፡ እንታይ ንሰቲ፡ እንታይ ንኽደን፡ ኢልኩም
ኣይትጨነቑ። 32 ነዚ ኹሉስ ኣህዛብ ይደልይዎ እዮም እሞ፡ ንኣኻትኩም እዚ ኹሉ ኸም ዜድልየኩም፡
ናይ ሰማይ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ። 33 ቅድም መንግስቲ ኣምላኽን ጽድቁን ድለዩ፡ እዚ ኹሉ ድማ
ይውሰኸልኩም። 34 ጽባሕ ንርእሳ ትጭነቕ እያ እሞ፡ ንጽባሕ ኢልኩም ኣይትጨነቑ። ንመዓልቲ ኽፍኣታ
ይኣኽላ።

# ምዕራፍ 7

1-2 ብዝፈረድኩምሉ ፍርዲ ኺፍረደኩም፡ ብዝሰፈርኩምሉ መስፈርውን ኪስፈረልኩም እዩ እሞ
ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ። 3 ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጕንዲ ዘይፈለጥካ፡ ንምይታይከ ኣብ ዓይኒ ሓውካ፡ ዘሎ
በሰር እትርኢ፧ 4 ወይስ ከመይ ጌርካ ንሓውካ ካብ ዓይንኻ በሰር ከውጽኣልካስ ሕደገኒ፡ ትብሎ፡ እንሆ፡
ጕንዲ ኣብ ዓይንኻ ኣሎ። 5 ኣታ ግብዝ፡ ቅድም ካብ ዓይንኻ ጕንዲ ኣውጽእ፡፡ሸዑ ኻብ ዓይኒ ሓውካ
በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ትርኢ። 6 እቲ ቅዱስ ነኽላባት ኣይትሀቡ። ዕንቍኹምውን ኣብ ቅድሚ
መፋልስ ኣይትደርብዩ፡ በእጋሮም ከይረግጽዎ እሞ፡ ተመሊሶም ከይትርትሩኹም። 7-8 ዝለመነ ኹሉ
ይቕበል እዩ፡ ዝደለየ ድማ ይረክብ፡ ማዕጾ ኿ሕ኿ሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ
ይውሀበኩም። ድለዩ፡ ትረኽቡ። ማዕጾ ኿ሕኳሕ ኣብሉ፡ ይኽፈተልኩም እዩ። 9-10 ካባኻትኩም፡ ወዱ
እንጌራ እንተ ለመኖ እምኒ ዚህቦ፡ ወይስ ዓሳ እንተ ለመኖ፡ ተመን ዚህቦ እንታዋይ ሰብኣይ እዩ፧ 11
እምበኣርከ ንስኻትኩም እኳ፡ ክፉኣት ክነስኹም፡ ንደቅኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ
ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ግዳ ንዚልምንዎ ኽንደይ ኣብዚሑ ጽቡቕ ዘይህቦም። 12 እምበኣርሲ ኦሪትን

ነብያትን እዚ እዩ እሞ፡ ከምቲ ሰብ ኪገብረልኩም እትደልይዎ ዘበለ ኹሉ ንስኻትኩምውን ከምኡ
ግበሩሎም። 13-14 እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ደገ ርሕብቲ፡ መገዳውን ገፋሕ እያ፡ እቶም ብእኣ ዚኣትዉ
ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ህይወት እትወስድ ደገ ግና ጸባብ፡ መገዳውን ቀጣን እያ፡ እቶም
ዚረኽብዋ ኸኣ ሒደት እዮም እሞ፡ በታ ጸባብ ደገ እተዉ። 15 ካብ ነብያት ሓሶት ተጠንቀቑ ውሽጦም
ዚምንጥሉ ተዂሉ ኽነሶምሲ፡ ክዳን ኣባጊዕ ተኸዲኖም እዮም ዚመጽኹም። 16 ብፍሪኣም ከተለልይዎም
ኢኹም። ካብ እሾኽዶ ወይኒ ይቕንጠብ፡ ካብ ተኹርባስ በለስ፤ 17 ከምኡ'ሞ እቲ ጽቡቕ ኦም ጽቡቕ ፍረ
ይፈሪ፡ እቲ ኽፉእ ኦም ከኣ ክፉእ ፍረ ይፈሪ። 18 ጽቡቕ ኦም ክፉእ ፍረ ኺፈሪ፡ ወይስ ክፉእ ኦም ጽቡቕ
ፍረ ኺፈሪ ኣይከኣለን እዩ። 19 ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ኹሉ ኦም ይቝረጽ፡ ናብ ሓዊ ድማ ይድርበ። 20
እምበርከ ብፍሪኦም ከተለልይዎም ኢኹም። 21 ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ዚገብር እምበር፡
ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ዚብለኒ ኹሉ፡ መንግስተ ሰማይ ዚኣቱ ኣይኮነን። 22 በታ መዓልቲ እቲኣ ብዙሓት፡
ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ብስምካ እተነበናዶ ኣይኮናን፤ ኣጋንንትስ ብስምካዶ ኣየውጻእናን፤ ብስምካስ
ብዙሕ ሓይሊዶ ኣይገበርናን፤ ኪብሉኒ እዮም። 23 ሽዑ ኣነ፡ ኣቱም ገበርቲ ዓመጻ፡ ከቶ
ኣይፈልጥኩኹምን፡ ካባይ ርሐቑ፡ ክብሎም እየ። 24 ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዚገብሮ ኹሉ፡ ቤቱ ኣብ ከውሒ
ዝሰርሔ ብልሂ ሰብኣይ ይመስል። 25 ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ንፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት ከኣ
ደፍእዋ። ኣብ ከውሒ ተሰሪታ እያ እሞ፡ ኣይወደቐትን። 26 ነዚ ነገረይ ሰሚዑ ዘይገብሮ ኹሉ ኸኣ ቤቱ
ኣብ ሑጻ ዝሰርሔ ዓሻ ሰብኣይ ይመስል። 27 ዝናም ዘነመ፡ ውሒዝ ወሐዘ፡ ነፋስውን ነፈሰ፡ ነታ ቤት
ደፍእዋ፡ ወደቐት፡ ኣዋዳድቓኣ ድማ ዓብዩ ኾነ። 28-29 ኰነ ድማ፡ የሱስ ነዚ ነገርዚ ምስ ወድኤ፡ ከም
ጸሓፍቶም ዘይኮነስ፡ ስልጣን ከም ዘለዎ ይምህሮም ነበረ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ብምህሮኡ ተገረሙ።

# ምዕራፍ 8

1 ካብ ከረን ኪወርድ ከሎ፡ ብዙሕ ህዝቢ ሰዐቦ። 2 እንሆ፡ ለምጻም መጺኡ፡ ጐይታይ፡ እንተ ትፈቱስ፡
ከተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ፡ እናበለ ሰገደሉ። 3 ኢዱ ዘርጊሑ፡ ፈትየ ኣሎኹ ንጻህ፡ ኢሉ ተንከዮ። ብኡብኡ
ኻብ ለምጹ ነጽሄ። 4 የሱስ ድማ ንሓደ እኳ ኸይትነግር ተተንቀቕ። ኪድ ደኣ፡ ርእስኻ ንኻህናት ኣርኢ፡
ናኣታትቶም ንምስክር ድማ እቲ ሙሴ ዝኣዘዞ መባእ ኣቕርብ፡ በሎ። 5-6 ናብ ቅፍርናሆም ምስ ኣተወ፡
ሓለቓ ሚእቲ ናብኡ መጺኡ፡ ጐይታይ ቈልዓይ መጽጒዑ ኣብ ገዛይ ወዲቑ፡ ብዙሕ ከኣ ይቕንዞ ኣሎ፡
እናበለ ለመኖ። 7 የሱስ ድማ፡ እኔኹ፡ መጺኤ ኸሕውዮ እየ፡ በሎ። 8 እቲ ሓለቓ ሚእቲ ኸምዚ ኢሉ
መለሰሉ፡ ጐይታይ፡ ኣነ፡ ንስኻ ናብ ቤተይ ክትኣቱ፡ ኣይበቕዕን፡ ኣየ እሞ፡ ሓንቲ ቓል ጥራይ ደኣ በል፡
ቈልዓይ ድማ ይሐዊ። 9 ኣነ ኸኣ ኣብ ትሕቲ መላኺ ዝግዛእ፡ ብትሕተይውን ጭፍራ ዘሎኒ ሰብ እየ እሞ፡
ነዚ ኺድ እብሎ፡ ይኸይድ፡ ንሓደ ኻልእ ከኣ ንዓ፡ ይመጽእ። ንባርያይውን እዚ ግበር፡ ይገብር ከኣ። 10
የሱስ ሰሚዑ ኣስተንከረ፡ ነቶም ዚስዕብዎ ዘለዉ ድማ በሎም፡ ከምዚ ዝበለት ዓባይ እምነትሲ ኣብ
እስራኤል እኳ ኸም ዘይረኸብኩ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 11 ካብ ምብራቕን ካብ ምዕራብን ብዙሓት
ኪመጹ እዮም፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት ከኣ ምስ ኣብርሃም ይስሃቅን ያእቆብን ኣብ መኣዲ ኪቕመጡ
እዮም። 12 ደቂ መንግስቲ ግና ናብ ናይ ወጻኢ ጸልማት ኪድርበዩ እዮም። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም
ኣስናንን ኪኸውን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 13 የሱስ ነቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ ኪድ፡ ከም ዝኣመንካዮ
ይኹነልካ፡ በሎ። እቲ ቈልዓ ከኣ በታ ሰዓት እቲኣ ሐወየ። 14 የሱስ ናብ ቤት ጴጥሮስ ምስ ኣተወ፡
ንሓማት ጴጥሮስ ብዓሶ ተትሒዛ ደቂሳ ረኣያ። 15 ኢዳ ተንከያ፡ ዓሶኣውን ሐደገታ። ተንሲኣ ኸኣ

ኣገልገለቶ። 16-17 ምሸት ምስ ኰነ፡ ኣጋንንቲ ዝሐደርዎም ብዙሓት ናብኡ ኣምጽኡ። እቲ ብነብዩ
ኢሳይያስ፡ ንሱ ድኻምና ወሰደ፡ ሕማምናውን ጾረ፡ እተበሃለ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ብቓሉ መናፍስቲ
ኣውጽኤ፡ ሕማም ንዘለዎም ኲሎም ድማ ኣሕወዮም። 18 የሱስ ብዙሕ ህዝቢ ኸቢብዎ ምስ ረኣየ፡
ንማዕዶ ኺሳገሩ ኣዘዘ። 19 ሓደ ጸሓፊ መጺኡ፡ መምህር፡ ናብ እትኸዶ ዘበለ ኹሉ ኸስዕበካ፡ በሎ። 20
የሱስ ድማ፡ ንወኻሩ ጉድጓድ ኣለወን ነዕዋፍ ሰማይ ድማ ዜጽልላሉ። ንወዲ ሰብ ግና ርእሱ ዜጽግዓሉ
እኳ የብሉን፡ በሎ። 21 ሓደ ኻልእ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ከይደ ነቦይ ክቕብሮ ፍቐደለይ፡
በሎ። 22 የሱስ ግና፡ ስዐበኒ ደኣ፡ ንምዉታትሲ ምዉታቶም ይቕበርዎም ሕደጎም፡ በሎ። 23 ናብ ጃልባ
ምስ ኣተወ፡ ደቀ መዛሙርቱ ሰዐብዎ። 24 እንሆ ኸኣ፡ ማዕበል ነታ ጃልባ ኺሳዕ ዜጕልብባ፡ ኣብቲ ባሕሪ
ዓብዪ ምንዋጽ ኰነ። ንሱ ግና ደቂሱ ነበረ። 25 ደቀ መዛሙርቱ ቐሪቦም፡ ጐይታይ፡ ጠፋእና፡ ኣድሕነና፡
እናበሉ ኣተንስእዎ። 26 ንሱ ኸኣ፡ ኣቱም ጉዱላት እምነት፡ ከመይከ እትፈርሁ፧ በሎም። ሽዑ ተንሲኡ
ንንፋስ ንባሕርን ገንሖም። ዓብዪ ህድኣት ከኣ ኰነ። 27 እቶም ሰብ ከኣ፡ እዚ፡ ንፋስን ባሕርን
ዚእዘዙሉስ፡ መን ኰን ይኸውን፧ ኢሎም ኣስተንከሩ። 28 ናብ ምድሪ ጌርጌሴኖን ምስ ተሳገሩ፡ ኣጋንንቲ
ዝሓደርዎም ኽልተ ሰብ ካብ መቓብር ወጺኦም ተጓነፍዎ። ንሳቶም፡ ሓደ እኳ በታ መገዲ ኣቲኣ ምሕላፍ
ከሳዕ ዚስእን፡ ኣዝዮም ከፉኣት ነበሩ። 29 እንሆ ኸኣ፡ የሱስ ወዲ ኣምላኽ፡ ምሳኻ እሞ እንታይ ኣሎና፧
ቅድሚ ጊዜኡ ኽትሳቕየና ናብዚ መጺእካ፧ እናበሉ ጨርሑ። 30 ካባታቶም ርሒቕ ኢሉ ብርቱዕ መጓሰ
ሓሰማታት ይበልዕ ነበረ። 31 እቶም ኣጋንንቲ ድማ፡ እተውጽኣና እንተ ኾንካስ፡ ናብዚ መጓሰ ሓሰማታት
ክንኣቱ ፍቐደልና፡ ኢሎም ለመንዎ። 32 ንሱ ኸኣ፥ ኪዱ፡ በሎም። ወጺኦም ድማ ናብተን ሓሰማታት
ኣተዉ። እንሆ ኸኣ፡ ብዘሎ እቲ መጓሰ ኻብ ጸድፊ ነፊጹ ናብ ባሕሪ ኣተወ፡ ኣብቲ ማይ ከኣ ኰምም በለ።
33 እቶም ጓሶት ሀዲሞም፡ ናብ ዓዲ ኣተዉ፡ በቲ ዝኾነ ኹሉን ብናይቶም ኣጋንንቲ ዝነበርዋምን ከኣ
ኣውረዩ። 34 እንሆ ድማ፡ ብዘላ እታ ዓዲ ንየሱስ ክትራኸቦ ወጸት። ምስ ረኣይዎ ኸኣ፡ ካብ ወሰን
ምድሮም ኪግልስ ለመንዎ።

## ምዕራፍ 9

1 ናብ ጃልባ ኣትዩ ተሳገረ፡ ናብ ዓዱውን መጸ። 2 እንሆ ኸኣ፡ መጻጕዕ ሰብኣይ ብዓራት ጾይሮም ናብኡ
ኣምጽእዎ። የሱስ እምነቶም ርእዩ፡ ነቲ መጻጕዕ፡ ወደየ ኣጆኻ፡ ሓጢኣትካ ተሐዲጉልካ፡ በሎ። 3 እንሆ
ኸኣ፡ ሓያሎ ኻብቶም ጸሓፍቲ ብልቦም፡ እዚ ይጸርፍ ኣሎ፡ በሉ። 4 የሱስ ድማ ሓሳባቶም ፈሊጡ በለ፡
ንምታይ ብልብኹም ክፉእ ትሐስቡ ኣሎኹም፧ 5 ኣየናይ ይቐልል፡ ሓጢኣትካ ተሐዲጉልካ ምባልዶ፡ ወይ
ተንስእ እሞ ኪድ ምባል፧ 6 ንወዲ ሰብ ግና ሓጢኣት ኪሐድግ ኣብ ምድሪ ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ
ኽትፈልጡ፡ ሽዑ ነቲ መጻጕዕ፡ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኺድ፡ በሎ። 7 ተንሲኡ ናብ
ቤቱ ኸደ። 8 እቶም ህዝቢ እዚ ርእዮም ፈርሁ። ንኣምላኽ ድማ ከምዚ ዝበለ ስልጣን ንሰብ ብምሃቡ
ኣመስገንዎ። 9 የሱስ ካብኡ ምስ ሐለፈ፡ ማቴዎስ ዚብልዎ ሰብኣይ ኣብቲ በሪ ተገ ተቐሚጡ ረኣየ እሞ፡
ስዐበኒ፡ በሎ። ተንሲኡ ኸኣ ሰዐቦ። 10 ኰነ ኸኣ፡ ኣብ ቤቱ ኣብ መኣዲ ምስ ተቐመጠ፡ እንሆ፡ ብዙሓት
ተገውትን ሓጥኣንን ምስ የሱስን ምስ ደቀ መዛሙርቱን ተቐመጡ። 11 ፈሪሳውያን ከኣ ርእዮም ንደቀ
መዛሙርቱ፡ መምህርኩምሲ ስለምንታይ እዩ ምስ ተገውትን ሓጥኣንን ዚበልዕ፧ በልዎም። 12 የሱስ ግና
ሰሚዑ፡ ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር፡ ጥዑያት ኣይደልይዎን። 13 ኣነ ሓጥኣን እምበር፡ ጻድቃን ክጽውዕ
ኣይመጻእኩን እሞ፡ ምሕረት እፈቱ፡ መስዋእቲ ኣይኰነን፡ ዚብል እንታይ ምዃኑ፡ ኪዱ ተምሀሩ፡

በሎም። [14] ሽዑ ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስ፡ ስለምንታይ ንሕናን ፈሪሳውያንን ብዙሕ ንጸውም፡ ደቀ
መዛሙርትኻ ግና ኣይጸሙን፧ ኢሎም ናብኡ መጹ። [15] የሱስ ከኣ በሎም፡ ነዕሩኽ መርዓዊኸ፡ መርዓዊ
ምሳታቶም ኽሳዕ ዘሎ፡ ከመይ ኢሎም ኪጕህዩ ይኽእሉ፧ መርዓዊ ኻባታቶም ዚውሰደላ መዓልቲ ግና
ክትመጽእ እያ፡ ሽዑ ኸኣ ይጾሙ። [16] ቍራጽ ሓድሽ ዓለባ ኣብ ብላይ ክዳን ዚልግብ የልቦን፡ እንተ
ዘይኰነስ ነቲ ጥዑይ ይልክሞ፡ ምቕዳዱ ኸኣ ዝገደደ ይኸውን። [17] ንሓድሽ ወይኒ ኣብ ኣረገውቲ
ኣሕርብቲ ኣየዕርቕዎን፡ እንተ ዘይኰነስ እቲ ኣሕርብቲ ይቕደድ፡ እቲ ወይኒውን ይፈስስ፡ ኣሕርብቲ ኸኣ
ይበላሾ። ንሓድሽ ወይኒ ግና ኣብ ሓደስቲ ኣሕርብቲ የዕርቕዎ፡ ክልቲኦም ድማ ይእርነቡ። [18] እዚ
ኺብሎም ከሎ፡ እንሆ፡ መራሕ ቤት ጸሎት መጺ፡ ጓለይ ሕጂ ሕጂ ሞተት፡ ግናኸ ንዓ ኢድካ ኣንብረላ
እሞ ክትሐዊ፡ እናበለ ሰገደሉ። [19] የሱስ ድማ ተንሲኡ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ሰዐቦ። [20-21] እንሆ ኸኣ፡ ካብ
ዓሰርተው ክልተ ዓመት ሒዙ ደም ዛሕዛሕ ዚብላ ሰበይቲ ብልባ፡ ዘፈር ክዳኑ ጥራይ እንተ ተንኬኹ፡
ክሐዊ እየ፡ ኢላ ኣላ እሞ፡ ብድሕሪኡ ቐሪባ ዘፈር ክዳኑ ተንከየት። [22] የሱስ ግልጽ ኢሉ ረኣያ እሞ፡
ኣጆኺ ጓለይ፡ እምነትኪ ኣሕወየትኪ፡ በላ። እታ ሰበይቲ ኻብታ ሰዓት እቲኣ ሒዛ ሐወየት። [23] የሱስ ናብ
ገዛ መራሕ ቤት ጸሎት ምስ መጸ፡ ነፋሕቲ እምብልታን ዋይዋይ ዚብሉ ሰብን ረአየ፡ [24] እዛ ጓል ደቂሳ ኣላ
እምበር፡ ኣይሞተትን እሞ ኣግልሱ፡ በሎም። ንሳቶም ድማ ሰሐቕዎ። [25] እቶም ሰብ ምስ ወጹ፡ ኣትዩ ኢዳ
ሐዛ፡ እታ ጓል ከኣ ተንስኤት። [26] ኣብ ኵላ እታ ሃገርውን ወሪኡ ወጸ። [27] የሱስ ካብኡ ምስ ሐለፈ፡ ክልተ
ዕዉራት ዓው ኢሎም፡ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረና፡ እናበሉ ሰዐብዎ። [28] ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ እቶም ዕዉራት
ናብኡ መጹ። የሱስ ድማ፡ እዚ ምግባር ከም ዚከኣለኒዶ ትኣምኑ ኢኹም፧ በሎም። ንሳቶም፡ እወ
ጐይታይ፡ በልዎ። [29] ሽዑ፡ ከም እምነትኩም ይኹነልኩም፡ ኢሉ ኣዒንቶም ተንከየ። [30] ኣዒንቶምውን
ተኸፍታ። የሱስ ድማ፡ ሐደ እኳ ኸይፈልጥ ተጠንቀቑ፡ ኢሉ ኣሕሚሙ ተዛረቦም። [31] ንሳቶም ግና
ወጺኦም ኣብ ኵላ እታ ሃገር ኣውረዩ። [32] ንሳቶም ምስ ወጹ፡ እንሆ፡ ጋኔን ዝሐደሮ ዓባስ ሰብኣይ ናብኡ
ኣምጽኡ። [33] እቲ ጋኔን ምስ ወጸሉ፡ እቲ ዓባስ ተዛረበ። እቶም ህዝቢ ድማ፡ ከምዚ ዝበለስ ኣብ እስራኤል
ከቶ ኣይተራእየን፡ ኢሎም ተገረሙ። [34] ፈሪሳውያን ግና፡ ነጋንንቲ ብሓለቓ ኣጋንንቲ የውጽኦም ኣሎ፡
በሉ። [35] የሱስ ኣብ ኵሉ ኸተማታትን ኣብ ኵሉ ዓድታትን ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሃረ፡ ወንጌል
መንግስቲውን እናሰበኸ፡ ኵሉ ሕማምን ድናስን እናሕወየ ይዘውር ነበረ። [36] ብዙሓት ህዝቢ ምስ ረኣየ፡
ሓላዊ ኸም ዜብለን ኣባጊዕ፡ ግፉዓትን ፋሕ ዝበሉን ነበሩ እሞ፡ ደንገጸሎም። [37] ሽዑ ንደቀ መዛሙርቱ፡
እቲ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም። [38] ስለዚ ነቲ ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ
ኺልእከሉ ለምንዎ፡ በሎም።

## ምዕራፍ 10

[1] ንዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ፡ ንርኹሳት መናፍስቲ ኼውጽእዎምን ንብዘሎ ሕማምን
ድናስን ኬሕውዩን ስልጣን ሀቦም። [2] ስማት እቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት እዚ እዩ፡ ቀዳማይ እቲ
ጴጥሮስ ተብሂሉ ዘሎ ስምኦን፡ እንድርያስ ከኣ ሓዉ። ያእቆብ ወዲ ዘብዴዎስ፡ ዮሃንስ ከኣ ሓዉ። [3]
ፊልጶስን በርተሎሜዎስን ቶማስን ማቴዎስ እቲ ተጋውን። ያእቆብ ወዲ እልፍዮስን እቲ ታዴዎስ
ተብሂሉ ዘሎ ልብድዮስን፡ [4] ስምኦን ብዓል ቃናን እቲ ዘትሐዞ ይሁዳ ኣስቆሮታውን። [5-6] የሱስ ነዞም
ዓሰርተው ክልተ ለኣኾም፡ ከምዚ ኢሉውን ኣዘዞም፡ ናብተን ጥፉኣት ኣባጊዕ ቤት እስራኤል ደኣ ኺዱ
እምበር፡ ብመገዲ ኣህዛብ ኣይትኺዱ፡ ናብ ከተማ ሳምራውያን ድማ ኣይትእተዉ። [7] ኬድኩም ድማ፡

መንግስተ ሰማያት ቀሪባ ኣላ፡ ኢልኩም ስበኹ። 8 ሕሙማት ኣሕውዩ፡ ምዉታት ኣተንስኡ፡ ለምጻማት
ኣንጽሁ፡ ኣጋንንቲ ኣውጽኡ። ብኸምኡ ተቐበልኩም፡ ብኸምኡ ሃቡ። 9 ወርቂ ኰነ፡ ብሩር ኰነ ኣስራዚ
ቅናውትኹም ኣይትቛጽሩ። 10 ንዓያዪ ምግቡ ይግብኦ እዩ እሞ፡ ስንቂ ንመገዲ፡ ወይስ ክልተ ኽዳን፡ ወይ
ኣሳእን፡ ወይ በትሪ ኣይትምሀዙ። 11 ኣብ ዝኸነ ኸተማ ወይስ ዓዲ ኣቲኹም፡ ኣብኡ እቲ ብቑዕ መን
ምዃኑ ሕተቱ። ክሳዕ እትወጹውን ኣብኡ ተቐመጡ። 12 ናብ ቤት ምስ ኣቶኹም፡ ሰላም በሉ። 13 እታ
ቤት ነዚ እትበቅዕ እንተ ኾይና ሰላምኩም ይሕደራ። ዘይትበቅዕ እንተ ኾነት ግና፡ ሰላምኩም
ናባኻትኩም ይመለስ። 14 እንተ ዘይተቐበሉኹም ድማ፡ ወይስ ቃልኩም እንተ ዘይሰምዑ፡ ካብታ ቤት
እቲኣ ወይ ካብታ ኸተማ እቲኣ ወጺእኩም፡ ተጕዳ ኣእጋርኩም ንገፉ። 15 ብመዓልቲ ፍርዲ ኻብ ነታ
ኸተማ እቲኣስ ንምድሪ ሶዶምን ጎሞራን ከም ዚቐልል፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 16 እንሆ፡ ከም ኣባጊዕ
ናብ ማእከል ተኹሉ እሰደኩም ኣሎኹ። ደጊም ጠቢባን ከም ተመን፡ ገርህታት ከኣ ከም ርግቢ ኹኑ። 17-
18 ናብ ዋዕላ ኺወስዱኹም፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም ድማ ኪገርፍኹም እዮም፡ ንኣታቶምን ነህዛብን ንምስክር
ኪኸውን፡ ምእንታይ ናብ መኳንንትን ናብ ነገስተታን ክትውሰዱ ኢኹም እሞ፡ ካብ ሰብ ተጠንቐቑ። 19
ኣሕሊፎም ኪህቡኹም ከለዉ፡ እንታይ ከም እትዛረቡ፡ በታ ጊዜ እቲኣ ኺውሀበኩም እዩ እሞ፡ ከመይ
ወይስ እንታይ ከም እትዛረቡ ኣይትጨነቑ። 20 መንፈስ ኣቦኹም እዩ ኣባኻትኩም ዚዛረብ እምበር፡
ንስኻትኩም ኣይኰንኩምን እትዛረቡ። 21 ሓው ንሓው፡ ኣቦ ኸኣ ንውሉድ ኣሕሊፉ ንሞት ኪህብ እዩ፡
ውሉድ ናብ ወለዶም ኪትንስኡን ኪቐትልዎምን እዮም። 22 ስለ ስመይ ከኣ ኵሉ ሰብ ኪጸልኣኩም እዩ።
እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ፡ ንሱ ኺድሕን እዩ። 23 ካብ ሓንቲ ኸተማ እንተ ሰጒጒኹም፡ ናብ ሓንቲ
ኻልእ ህደሙ። ወዲ ሰብ ክሳዕ ዚመጽእ፡ ከተማታት እስራኤል ከም ዘይትውድኡ፡ ብሓቂ እብለኩም
ኣሎኹ። 24 ተመሃሪ ኻብ መምህሩ፡ ጊልያውን ካብ ጐይታኡ ኣይበልጽን። 25 ተመሃሪ ኸም መምህሩ፡
ጊልያውን ከም ጐይታኡ እንተ ኾነ፡ ይኣኽሎ። ንብዓል ቤት ብኤልዜቡል ካብ በልዎ፡ ንስድራ ቤቱ ግዳ
ኽንደይ ኣዝዩ ብዙሕ ዘይብልዎ። 26 እምበኣርስኸ፡ ዘይቅላዕ ክዱን፡ ዘይፍለጥ ድማ ስዉር የልቦን እሞ፡
ኣይትፍርህዎም። 27 ኣብ ጸልማት ዝነገርኩኹም ብብርሃን ተዛረብዎ፡ ኣብ እዝንኹም ዝሰማዕኩምዎ ኸኣ
ኣብ ናሕሲ ኼንኩም ስበኽዎ። 28 ነቲ ነፍስን ስጋን ኣብ ገሃነም ኬጥፍእ ዚከኣሎ ደኣ ኣዚኹም ፍርህዎ
እምበር፡ ነቶም ንስጋ ዚቐትሉ ንነፍሲ ግና ምቕታላ ዘይክአሎም ኣይትፍርህዎም። 29 ክልተ ዑፍዶ
ብኣሳርዮን ይሽየጣ ኣይኰናን፧ ሓንቲ ኻባታተን ብዘይ ፍቓድ ኣቦኹም ኣብ ምድሪ ኣይትወድቕን። 30
ጸጕሪ ርእስኹም ኵለን እኳ ቍጹራት እየን። 31 እምበኣርሲ ንስኻትኩም ካብ ብዙሓት ኣዕዋፍ ትበልጹ
ኢኹም እሞ፡ ኣይትፍርሁ። 32 ስለዚ ኣብ ቅድሚ ሰብ ንተኣመነኒ ዅሉ፡ ኣነ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ
ሰማይ ዘሎ ኣቦይ ክእመኖ እየ። 33 ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዝኽሐደኒ ድማ፡ ኣነ ድማ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ
ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ክኽሕዶ እየ። 34 ናብ ምድሪ ዕርቂ ኸምጽእ ዝመጻእኩ ኣይምሰልኩም። ሰይፊ ደኣ
እምበር፡ ዕርቂ ከምጽእ ኣይመጻእኩን። 35 ወዲ ኻብ ኣቦኡ፡ ጓል ካብ ኣዲኣ፡ መርዓት ካብ ሓማታ ደኣ
ኽፈሊ መጻእኩ እምበር፡ 36 ንሰብ እቶም ቤተ ሰቡ ጸላእቱ ኪኾኑ እዮም። 37 እቲ ኻባይ ንቦኡን ነዲኡን
ዜፍቅር ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ። ካባይሲ ንወዱ ወይስ ንጓሉ ዜፍቅር ድማ ንኣይ ኣይበቅዕን እዩ። 38
መስቀሉ ኣልዒሉ ደድሕረይ ዘይስዕብ ንኣይ ኣይበቅዕን። 39 እቲ ንህይወቱ ዚረኽባ ኺጥፍኣ እዩ፡ እቲ
ንህይወቱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ከኣ ኪረኽባ እዩ። 40 ንኣኻትኩም ኪቐበል ንኣይ እዩ ዚቕበል፡ እቲ ንኣይ
ዚቕበል ድማ ነቲ ዝለኣኸኒ እዩ ዚቕበሎ። 41 ንነብዪ ብስም ነብዪ ዚቕበል፡ ዓስቢ ነብዪ ይረክብ፡ ንጻድቕ
ብስም ጻድቕ ዚቕበል ድማ ዓስቢ ጻድቕ ይረክብ። 42 ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ እኳ ብስም ወደ መዝሙር
ጣሳ ዝሑል ማይ ጥራይ ዜስቲ፡ ዓስቡ ከቶ ኸም ዘይስእን፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ።

# ምዕራፍ 11

1 ኰነ ድማ፡ የሱስ ንዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ምእዛዘም ምስ ወድኤ፡ ኣብ ከተማታቶም
ኪምህርን ኪሰብኽን ካብኡ ሐለፈ። 2 ዮሃንስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኸሎ፡ ወረ ግብሪ ክርስቶስ ሰሚዑ፡
ካብ ደቀ መዛሙርቱ ኽልተ ልኢኹ፡ 3 እቲ ዚመጽእስ ንስኻ ዲኻ ወይስ ካልእ ክንጽበ ኢና፤ በሎ። 4
የሱስ መሊሱ በሎም፡ ኪድኩም እዚ እትሰምዕዎን እትርእይዎን ዘሎኹም ንዮሃንስ ንገርዎ፡ 5 ዕዉራት
ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ፡ ለምጻማት ይነጽሁ፡ ጸማማት ይሰምዑ፡ ምዉታት ይትንስኡ፡ ንድኻታት
ድማ ወንጌል ይስበኸ ኣሎ። 6 ብኣይ ዘይዕንቀፍ ከኣ ብጹእ እዩ። 7 ንሳቶም ምስ ከዱ፡ የሱስ ነቶም
እኩባት ህዝቢ ብዛዕባ ዮሃንስ ኪብሎም ጀመረ፡ እንታይ ክትርእዩ ናብ በረኻ ወጻእኩም፡ ብንፋስ ሰሰው
ዚብል ሻምብቆዶ፡ 8 እንታይ ደኣ ኽትርእዩ ወጻእኩም፤ ብልስሉስ ክዳውንቲ ዘጌጸ ሰብዶ፤ ልስሉስ
ክዳውንቲ እትኸድኑስ፡ እንሆ፡ ኣብ ኣባይቲ ነገስታት ኣለዉ። 9 ንምንታይ ደኣ ወጻእኩም፤ ነብዪ
ኽትርእዩዶ፤ እወ፡ ካብ ነብዪ እኳ ዚበልጽ እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 10 እቲ ብዛዕባኡ እተጻሕፈሉ ንሱ
እዩ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሜኻ፡ መገድኻ ዚጽርግ መልኣኸይ ቀቅድሜኻ እልእኽ ኣሎኹ። 11 ብሓቂ
እብለኩም ኣሎኹ፡ ካብ ኣንስቲ ኻብ እተወለዱ ኻብ ዮሃንስ መጥመቕ ዚዐቢ ሓደ እኳ ኣይተንስኤን።
ኣብ መንግስተ ሰማያት ግና እቲ ዚንእስ ካብኡ ይዐቢ። 12 ካብ ዘመን ዮሃንስ መጥመቕ ክሳብ ሎሚ
መንግስተ ሰማያት ብሓይሊ ትደፍእ ኣላ፡ ደፋእቲ ድማ ብሓይሊ ይዛረፍዋ ኣለዉ። 13 ኵሎም ነብያትን
ኦሪትን ክሳዕ ዮሃንስ ተነበዩ። 14 ክትኣምኑ እንተ ደሊኹምሲ፡ እቲ ኺመጽእ ዘለዎ ኤልያስ ንሱ እዩ። 15
እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ። 16 ነዚ ወለዶ እዚ እሞ ብምንታይ ክምስሎ እየ፤ ኣብ ዕዳጋ ተቐሚጦም
ነዕሩኾም ዚጽውዑ ቈልዑ እዩ ዚመስል። 17 እሞ ዚብልዎም፡ እምብልታ ነፋሕናልኩም፡
ኣይሳዕሳዕኩምን፡ ኣልቀስናልኩም፡ ኣይበኼኹምን። 18 ዮሃንስ እንተ መጸ፡ ኣይበልዕ ኣይሰቲ፡ ጋኔን ኣለዎ፡
ይብሉ። 19 ወዲ ሰብ መጸ፡ ይበልዕ ይሰቲ፡ እንሆ በላዕን ሰታይ ወይንን ዓርኪ ተገውትን ሓጥኣንን፡
ይብሉ። ጥበብ ብደቃ ጸደቐት። 20 ድሕሪዚ የሱስ ነተን ብዙሕ ሓይሊ ዝገበረለን ከተማታት ስለ
ዘይተነስሐ ኺነቕፈን ጀመረ፡ 21 ወይለኺ ኰራዚን፡ ወይለኺ ቤተሳይዳ፡ እዚ ኣባኻትክን እተገብረ ሓይሊ
ኣብ ጢሮስን ኣብ ሲዶናን ተገይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ ቀደም ማቕ ተኸዲነን፡ ሓሙኽስቲ ተነዲፈን
ምተነስሓ ነይረን። 22 ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካባኻትክን ንጢሮስን ሲዶናን ከም ዚቐልል፡ እብለክን
ኣሎኹ። 23 ኣቲ ቅፍርናሆም፡ ክሳዕ ሰማይዶ ልዕል ክትብሊ ኢኺ፤ ክሳዕ ሲኦልከስ ክተንከራርዊ ኢኺ።
እዚ ኣባኺ እተገበረ ግብርታት ሓይሊ ኣብ ሶዶም ተገይሩ እንተ ዚኸውንሲ፡ ክሳዕ ሎሚ ምጸንሔት
ነይራ። 24 ብመዓልቲ ፍርዲ ግና ካባኺስ ንምድሪ ሶዶም ከም ዚቐልል፡ እብለኹም ኣሎኹ። 25 በታ
ወርሓት እቲኣ የሱስ መለሰ በለውን፡ ዎ ኣቦይ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ እዚ ኻብ ብልህታትን
ኣስተውዓልትን ስለ ዝሓባእካዮ፡ ንሕጻናት ግና ስለ ዝገለጽካዮ ኤመስግነካ ኣሎኹ። 26 እወ፡ ኣቦይ፡ ኣብ
ቅድሜኻ ኸምኡ ስምረትካ ኾይኑ። 27 ካብ ኣቦይ ኵሉ ተዋሂቡኒ ኣሎ። ንወዲ ብጀካ ኣቦ ሓደ እኳ
ዚፈልጦ የልቦን፡ ነቦ ኸኣ ብጀካ ወድን እቲ ወዲ ኺገልጸሉ ዚፈትን፡ ዚፈልጦ የልቦን። 28 ኣቱም ኵልኹም
እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፡ ኣነ ኽዕርፈኩም ናባይ ንዑ። 29-30 ኣነ ለዋህ እየ፡ ልበይውን ትሑት፡
ኣርዑተይ ፈኵሽ፡ ጾረይውን ቀሊል እዩ እሞ፡ ኣርዑተይ ጹሩ ኻባይውን ተምሃሩ፡ ንነፍስኹም ከኣ
ዕረፍቲ ኽትረኽቡ ኢኹም።

# ምዕራፍ 12

1 በታ ጊዜ እቲኣ የሱስ ብሰንበት ብማእከል ዝሩእ ግርሁ ሐለፈ። ደቀ መዛሙርቱ ድማ ጠመዩ፡ ሰዊት
ኪምሕዉን ኪበልዑን ከኣ ጀመሩ። 2 ፈሪሳውያን ድማ እዚ ርእዮም፡ እንሆ፡ ደቀ መዛሙርትኻ ብሰንበት
ምግባሩ ዘይግባእ ይገብሩ ኣለዉ፡ በልዎ። 3 ንሱ ኸኣ በሎም፡ ዳዊት ዝገበሮ፡ ንሱን እቶም ምስኡ
ዝነበሩን ምስ ጠመዩ፡ 4 ከመይ ኢሉ ናብ ቤት ኣምላኽ ከም ዝኣተወ እሞ፡ ብጃካ ንኻህናት ጥራይ፡ ንእኡ
ኾነ፡ ወይስ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ፡ ምብላዑ ዘይግብኦም እንጌራ ምርኣይ ከም ዝበልዔስ፡
ኣየንበብኩምንዶ፧ 5 ካህናት ኣብ ቤተ መቕደስ ብመዓልቲ ሰንበትሲ ንሰንበት ከም ዚስዕርዋ፡ በደል ከኣ
ከም ዘይኰኖምከ፡ ኣብ ኦሪትዶ ኣየንበብኩምን፧ 6 ኣነ ግና፡ ካብ ቤተ መቕደስ ዚዐቢ ኣብዚ ኸም ዘሎ፡
እብለኩም ኣሎኹ። 7 ግናኸ፡ ምሕረት እፈቱ፡ መስዋእቲ ኣይኰነን፡ እንታይ ምዃኑ እንተ ትፈልጡስ፡
ኣብዞም በደል ዜብሎም ኣይምፈረድኩምን ኔርኩም። 8 እምብኣርስኸ ወዲ ሰብ ጐይታ ሰንበት እዩ። 9
ንሱ ኻብኡ ሐሊፉ፡ ናብ ቤት ጸሎቶም ኣተወ። 10 እንሆ ኸኣ፡ ኢዱ ዝነቀጸት ሰብኣይ ኣብኡ ነበረ።
ምእንቲ ኪኸስዎ ኸኣ፡ ብሰንበት ምፍዋስዶ ግቡእ እዩ፧ ኢሎም ሐተትዎ። 11 በሎም ከኣ፡ ካባኻትኩምከ
ሓንቲ በጊዕ ዘላቶ እሞ ብሰንበት ኣብ ጕድጓድ እንተ ወደቐት፡ ዘይሕዛን ዘየውጽኣን እንታዋይ ሰብ ኣሎ፧
12 ካብ በጊዕሲ ሰብዶ ግዳ ኣዝዩ ኣይበልጽን፧ እምበርሲ፡ ብሰንበት ጽቡቕ ምግባር ግቡእ እዩ። 13 ሽዑ ነቲ
ሰብኣይ ኸኣ ኢድካ ዘርግሕ፡ በሎ። ኢዱ ዘርግሔ፡ ብኡብኡ ኸኣ ሐወየት፡ ከምታ ኻልኣይቲውን ኰነት።
14 ፈሪሳውያን ግና ምስ ወጹ፡ ከመይ ገይሮም ከም ዜጥፍእዎ ተማኸሩ። 15 የሱስ ድማ እዚ ፈሊጡ
ኻብኡ ኣግለሰ። ብዙሓት ሰብ ድማ ሰዐብዎ፡ ንዅሎምውን ኣሕወዮም። 16 ከየግህድዎ ድማ ኣሕሚሙ
ኣዘዞም። 17 እቲ ብነብዩ ኢሳይያስ እተባህለ ኺፍጸም፡ ከምዚ ዚብል፡ 18 እንሆ፡ ዝሐሬኽዎ ጊልያይ፡
ነፍሰይ ዝሰመረቶ ፈታውየይ፡ ኣብኡ መንፈሰይ ክሕድር እየ፡ ንሱ ድማ ነህዛብ ፍትሒ ኺውጽኣሎም
እዩ። 19 ኣይከራኸርን፡ ኣይጭድርን፡ ኣብ ኣደባብይውን ሓደ እኳ ድምጹ ኣይኪሰምዕን እዩ። 20 ፍርዲ ናብ
ዓወት ክሳዕ ዜብጽሕ፡ ጭፍሉቕ ሻምብቆ ኣይሰብርን፡ ዚተክኽ ፈትሊ ጥዋፍውን ኣየጥፍእን እዩ። 21
ኣህዛብ ከኣ ብስሙ ተስፋ ኺገብሩ እዮም። 22 ድሕርዚ ኸኣ ጋኔን ዝሐደሮ ዕዉር ዓባስ ናብኡ ኣምጽኡ።
ንሱ ድማ ነቲ ዕዉር ዓባስ ዚርእን ዚዛረብን ገይሩ ኣሕወዮ። 23 እቶም ህዝቢ ዅሎም ከኣ፡ እዝስ እቲ
ወዲ ዳዊት ደኾን እዩ፧ ኢሎም ኣስተንከሩ። 24 ፈሪሳውያን ምስ ሰምዑ ግና፡ እዚ ብዘይ ብብኤልዜቡል፡
እቲ ሓለቓ ኣጋንንቲ፡ ነጋንንቲ ኣየውጽኦምን፡ በሉ። 25 የሱስ ሓሳባቶም ፈሊጡ በሎም፡ ንሓድሕዳ
እተፈላለየት ኵላ መንግስቲ ትፀኑ፡ ንሓድሕዳ እተፋላለየት ኵላ ኸተማ ወይስ ቤት ድማ ኣይትነብርን
እያ። 26 ሰይጣን ንሰይጣን ካብ ዜውጽኦ፡ ንሓድሕዱ ተፋላለየ፡ እታ መንግስቲ ደኣኸ ኸመይ ኢላ
ትቐውም፧ 27 ኣነ ነጋንንቲ ብብኤልዜቡል ዘውጽኦም ካብ ኰንኩ፡ ደቅኹም ደኣ ብመን የውጽእዎም
ኣለዉ፧ ስለዚ ንሳቶም ፈራዶኹም ኪኾኑ እዮም። 28 ኣነ ነጋንንቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዘውጽኦም ካብ
ኰንኩ ግና፡ እንሃ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ናባኻትኩም መጺት። 29 ወይስ ቅድም ነቲ ሓያል ከይኣሰረ፡ ናብ
ቤት ሓያል ኣትዩ ኣቓሑኡ ኺብዝብዝ ዚኽእል መን ኣሎ፧ ድሕርዚ እዩ ቤቱ ዚብዝብዝ። 30 ምሳይ
ዘይኰነ መቓናቕንተይ እዩ፡ እቲ ምሳይ ኰይኑ ዘይእክብ ከኣ ይዘሩ። 31 ስለዚ ንሰብ ኵሉ ሓጢኣትን
ጸርፍን ዘበለ ይሕደገሉ እዩ፡ ነቲ ንመንፈስ ዝጸረፈ ግና ኣይሕደገሉን። 32 ነቲ ኣብ ወዲ ሰብ ገለ ዘረባ
ዝበለ ይሕደገሉ እዩ፡ ነቲ ኣብ መንፈስ ቅዱስ ገለ ዘረባ ዝበለ ግና፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኾነ፡ ኣብታ
እትመጽእ ኰነ፡ ኣይሕደገሉን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 33 ኦም ካብ ፍሪኡ ይፍለጥ እዩ እሞ፡ ነቲ ኦም
ጽቡቕ ግበርዎ፡ ፍሪኡ ድማ ጽቡቕ፡ ወይስ ነቲ ኦም ክፉእ ግበርዎ፡ ፍሪኡ ድማ ክፉእ። 34 ኣቱም ውሉድ
ኣትማን፡ ኣፍ ካብ ምልኣት ልቢ ይዛረብ እዩ እሞ፡ ክፉኣት ክነስኹምከ፡ ከመይ ጌርኩም ጽቡቕ ምዝራብ
ክትክእሉ፧ 35 እቲ ሕያዋይ ሰብ ካብቲ ጽቡቕ መዝገብ ልቡ ጽቡቕ የውጽእ። ክፉእ ሰብ ከኣ ካብቲ ኽፉእ

መዝገብ ልቡ ኽፉእ እዩ ዜውጽእ። [36-37] ኣነ ግና፡ ብዘረባኻ ኢኻ እትጸድቕ፡ ብዘረባኻውን ኢኻ እትኾነን
እሞ፡ ሰብ ዚዛረብዎ ዘበለ ዘይጠቅም ኲሉ ቓል ብመዓልቲ ፍርዲ ጸብጻብ ኪህብሉ እዮም፡ እብለኩም
አሎኹ። [38] ሽዑ ሓይሎ ኻብ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ መምህር፡ ካባኻ ትእምርቲ ኽንርኢ ንደሊ አሎና
ኢሎም መለሱ። [39] ንሱ ግና መሊሱ በሎም፡ ክፉእን ዘማውን ወለዶ ትእምርቲ ይደሊ። ብዘይ ትእምርቲ
ነብዩ ዮናስ ድማ ካልእ ትእምርቲ ኣይወሀቦን። [40] ዮናስ ኣብ ከብዲ ዓብዩ ዓሳ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ
ለይትን ከም ዝገበረ፡ ከምኡ ኸኣ ወዲ ሰብ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን
ኪገብር እዩ። [41] ሰብ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ተነሲሖም እዮም እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርዲ ምስ እዚ ወለዶ እዚ
ኺትንስኡን ኪኹንንዎን እዮም። እንሆ፡ ካብ ዮናስ ዚዐቢ ኣብዚ እሎ። [42] ንግስቲ ኣዜብ፡ ጥበብ ሰሎሞን
ክትሰምዕ፡ ካብ ወሰን ምድሪ መጺኣ ነበረት እሞ፡ ብመዓልቲ ፍርዲ ምስ እዚ ወለዶ እዚ ኽትትንስእን
ክትኰንኖን እያ። እንሆ፡ ካብ ሰሎሞን ዚዐቢ ኣብዚ አሎ። [43] ርኹስ መንፈስ ካብ ሰብ ምስ ወጸ፡ ዕረፍቲ
ደልዩ፡ ኣብ ኣጻምእ ቦታ ይኸልል ኣይረክብን ድማ። [44] ሽዑ፡ ናብታ ዝወጻእኩላ ቤተይ ደኣ ኽምለስ፡
ይብል። ምስ መጸ፡ ጥራያ፡ ተኸስቲራ፡ ተሰሊማ ይረኽባ። [45] ድሕርቲ ይኸይድ፡ ካብኡ ዚገዱ ሾብዓተ
ኻልኦት መናፍስቲ ሒዙ ይመጽእ፡ ኣትዮም ከኣ ኣብኣ ይነብሩ። ነቲ ሰብ እቲ ኻብ መጀመርታኡ እቲ
መወዳእታኡ ዝገደደ ይኸውኖ። ነዚ ኽፉእ ወለዶ እዚ ድማ ከምኡ ኪኾኖ እዩ። [46] ገና ነቶም ህዝቢ
ኺነግሮም ከሎ፡ እንሆ ኣዲኡን ኣሕዋቱን ኪዛረብዎ ደልዮም ኣብ ወጻኢ ደው በሉ። [47] ሓደ ኸኣ፡ እንሆ፡
ኣዴኻን ኣሕዋትካን ኪዛረቡኻ ደልዮም፡ ኣብ ወጻኢ ደው ኢሎም ኣለዉ፡ በሎ። [48] ንሱ ግና ነቲ ዝነገሮ፡
ኣደይ መን እያ፧ ኣሕዋተይሲ እንመን እዮም፧ ኢሉ መለሰሉ። [49-50] ፍቓድ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ
ዚገብር ዘበለ ኹሉ፡ ንሱ ሓወይን ሓብተይን ኣደይን እዩ፡ ኢሉ ኢዱ ናብ ደቀ መዛሙርቱ ዘርጊሑ፡
ኣደይን ኣሕዋተይንሲ እነዉ፡ በለ።

## ምዕራፍ 13

[1] በታ መዓልቲ እቲኣ የሱስ ካብ ቤት ወጺኡ፡ ኣብ ገምገም ባሕሪ ተቐመጠ። [2] ብዙሕ ህዝቢ ናብኡ
ተኣከበ፡ ናብ ጃልባ ኣትዩ ኽሳዕ ዚቕመጥ ከኣ፡ ኲሉ እቲ ህዝቢ ኣብ ገምገም ባሕሪ ደው ኢሉ ነበረ። [3]
ብምስላታት ድማ ብዙሕ ነገሮም፡ ከምዚ እናበለ፡ እንሆ፡ ዘራኢ ኺዘርእ ወፈረ። [4] ኪዘርእ ከሎ፡ ገሊኡ
ኣብ ጥቓ መገዲ ወደቐ፡ ኣዕዋፍ መጺኤን ድማ በልዓኦ። [5] ገሊኡ ኸኣ ብዙሕ ሐመድ ኣብ ዜብሉ ኸውሒ
ወደቐ፡ ዓሚቝ ሐመድ ስለ ዜብሉ ድማ፡ ቀልጢፉ በቘለ። [6] ጸሐይ ምስ በረቐት፡ ሀጐጐ፡ ሱር ስለ
ዜብሉ ድማ ነቐጸ። [7] ገሊኡ ኣብ እሾኽ ወደቐ። እቲ እሾኽ ድማ ዐበየ ሐነቖውን። [8] ገሊኡ ኣብ ጽቡቕ
ምድሪ ወደቐ፡ ገሊኡ ሚእቲ፡ ገሊኡ ስሳ፡ ገሊኡ ድማ ሰላሳ ፈረየ። [9] እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ። [10]
እቶም ደቀ መዛሙርቱ ድማ ናብኡ ቐሪቦም፡ ስለምንታይ ኢኻ ብምስላ እትዛረብ ዘሎኻ፧ በልዎ። [11]
መሊሱ በሎም፡ ምፍላጥ ምስጢር መንግስተ ሰማያት ንኣኻኣትኩም ተውሂቡ አሎ፡ ንኣታቶም ግና
ኣይተዋህቦምን። [12] ንዘለዎ ይውህቦ እዩ እሞ፡ ኣዝዩውን ይውሰኾ እዩ፡ ነቲ ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ
የግድፍዎ እዮም። [13] እናረኣዩስ ኣይርእዩን፡ እናሰምዑውን ኣይሰምዑን፡ ኣይሰተውዕሉን እዮም እሞ ስለዚ
ብምስላ እዛረቦም አሎኹ። [14-15] ትንቢት ኢሳይያስ ኣባታቶም ይፍጸም፡ ከምዚ ዚብል፡ በእዛኖም
ከይሰምዑ፡ በዒንቶም ከይርእዩ፡ ኣእዛኖም ኣጽመሙ፡ ኣዒንቶም ዐመቱ፡ ብልቦም ከየስተውዕሉ፡
ከይምለሱ፡ ኣነውን ከየሕውዮምሲ፡ ልቢ እዚ ህዝብዚ ረጕድ እዩ እሞ፡ ምስማዕሲ ትሰምዑ፡ ከቶ
ኣይተስተውዕሉን፡ ምርኣይውን ትርእዩ፡ ከቶ ኣይትጥምቱን ኢኹም። [16-17] ብዙሓት ነብያት ጻድቃንን ነዚ

ንስኻትኩም እትርእይዎ ዘሎኹም ኪርእዩ ኽም እተመነዩ እሞ ኽም ዘይረኣዩ፡ ነዚ ንስኻትኩም
እትሰምዕዎ ዘሎኹም ኪሰምዑውን ከም እተመነዩ እሞ ከም ዘይሰምዑ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።
ኣዒንትኹም ግና ዚርእያ፡ ኣእዛንኩምውን ዚሰምዓ እየን እሞ፡ ብጹኣት እየን። [18] እምበኣርሲ ንስኻትኩም
ምስላ ዘራኢ ስምዑ። [19] ቃል መንግስቲ ሰሚዑስ ዘየስተውዕሎ ዅሉ፡ እቲ ኽፉእ ይመጽእ እሞ ነቲ ኣብ
ልቡ እተዘርኤ ይምንጥሎ፡ እቲ ኣብ ከውሒ እተዘርኤ እዚ እዩ። [20] እቲ ኣብ ከውሒ እተዘርኤ ኸኣ ነዚ
ቃል ሰሚዑ ብኡብኡ ብሓጐስ ዚቕበሎ እዩ። [21] ንሸዑ ጥራይ እዩ እምበር፡ ሱር ግና የብሉን። ስለቲ ቓል
መከራ ወይ ስደት ምስ ኾነ፡ ብኡብኡ ይዕንቀፍ። [22] እቲ ኣብ እሾኽ እተዘርኤ ኸኣ ነዚ ቓል ዚሰምዖ
እዩ፡ ጓሂ እዛ ዓለም እዚኣን ምዕሻው ሃብትን ግና ነቲ ቓል ይሐንቆ፡ ከይፈረየውን ይተርፍ። [23] እቲ ኣብ
ጽቡቕ ምድሪ እተዘርኤ ኸኣ ነዚ ቓል ሰሚዑስ ዜስተውዕሎ እዩ፡ ንሱ ፍረ ይፈሪ፡ ገሊኡ ሚእቲ፡ ገሊኡ
ስሳ፡ ገሊኡ ሰላሳ ይእቶ። [24] ካልእ ምስላ ድማ ከምዚ ኢሉ መለሰሎም፡ መንግስተ ሰማያት ኣብ ግራቱ
ጽቡቕ ዘርኢ ዝዘርኤ ሰብ እያ እትመስል። [25] እቶም ሰብ ደቂሶም ከለዉ፡ ጸላኢ መጺ፡ ኣብቲ ማእከል
ስርናይ ድማ ክርዳድ ዘሪኡ ኸደ። [26] ቈጽሉ ምስ ፈርዔን ፍረ ምስ ፈረየን ድማ፡ ሽዑ እቲ ኽርዳድ
ተራእየ። [27] ነቲ ብዓል ቤት ግዚኣቱ መጺኦም፡ ጐይታይ፡ ኣብ ግራትካ ጽቡቕ ዘርኢዶ ዘሪእካ
ኣይነበርካን፧ እዚ ኽርዳድ ደኣ ኻበይ መጸ፧ በልዎ። [28] ንሱ ኸኣ ነዝስ ጸላኢ እዩ ዝገበሮ፡ በሎም። እቶም
ግዙኣቱ ድማ፡ ኬድና ኽንኣርዮዶ ትፈቱ ኢኻ፧ በልዎ። [29] ንሱ በሎም፡ ኣይፋልኩምን፡ ክርዳድ ክትኣርዩ
ኸሎኹምሲ፡ ምስኡ ስርናይ ከይትምሕዉ። [30] ክሳዕ ቀውዒ ብሓደ ይዕበዩ ሕደግዎም ብጊዜ ቐውዒ ኸኣ
ንዓጸዶ፡ ቅድም ነቲ ኽርዳድ፡ እረይዎ፡ ኪነድድ ድማ በብንዳእቲ እሰርዎ፡ ነቲ ስርናይ ግና ኣብ ቆፎይ
ኣክብዎ፡ ክብሎም እየ። [31] ካልእ ምስላ ኸምዚ ኢሉ መሰለሎም፡ መንግስተ ሰማያት፡ ሰብ ወሲዱ፡ ኣብ
ግራቱ ዝዘርኣ ፍረ ኣድሪ እያ እትመስል። [32] ንሳ ኸኣ ካብ ኵሉ ኻልእ ኣዝርእቲ ትንእስ፡ ምስ በቚሎት
ግና፡ ኣዕዋፍ ሰማይ መጺኤን ኣብ ጨንፈራ ኽሳዕ ዚዐርፉ፡ ካብ ኵሉ ተኽሊ ኣሕምልቲ እትዐቢ ኦም
ትኸውን። [33] ካልእ ምስላውን ነገሮም፡ መንግስተ ሰማያት፡ ሰበይቲ ወሲዳ፡ ኵሉ ኽሳዕ ዚበኵዕ፡ ኣብ
ሰለስተ ሳቶን ሓርጭ ዝለወሰቶ ማይ ብሑቕ ትመስል። [34-35] የሱስ ነቶም እኩባት ህዝቢ እቲ ብነብዪ፡
ኣፈይ ብምስላ እኸፍት፡ እቲ ኻብ ምስራት ዓለም ተሐቢኡ ዝነብረ እነግር፡ ተብሂሉ ዘሎ ምእንቲ
ኽፍጸም ኢሉ፡ እዚ ዅሉ ብምስላ ተዛረቦም እምበር፡ ብዘይ ምስላስ ኣይተዛረቦምን። [36] ሽዑ ነቲ ኣኼባ
ሐዲጉ፡ ናብ ቤት ኣተወ። ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ቀሪቦም፡ ምስላ ኽርዳድ ናይታ ግራት ተርጒመልና፡
በልዎ። [37] መሊሱ በሎም፡ እቲ ጽቡቕ ዘርኢ ዚዘርእ፡ ወዲ ሰብ እዩ። [38] እታ ግራት ከኣ ዓለም እያ፡ እቲ
ጽቡቕ ዘርኢ ድማ ደቂ መንግስቲ እዮም፡ እቲ ኽርዳድ ግና ደቂ እቲ ኽፉእ እዮም። [39] እቲ ዝዘርኦም
ጸላኢ ኸኣ ድያብሎስ እዩ፡ እቲ ቐውዒ ድማ መወዳእታ ዓለም እዩ፡ እቶም ዓጻዶ ኸኣ መላእኽቲ እዮም።
[40] ክርዳድ ተኣኪቡ ብሓዊ ኽም ዚነድድ፡ ብመወዳእታ ዓለም ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ። [41] ወዲ ሰብ
መላእኽቱ ኺልእኽ እዩ፡ ንሳቶም ከኣ መዓንቀፍትን ዓመጽትን ንዘበሉ ዅሎም ካብ መንግስቱ
ኺእክብዎም፡ [42] ኣብ እቶን ሓዊ ኸኣ ኪድርብይዎም እዮም። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን
ኪኸውን እዩ። [43] ሽዑ ጻድቃን ኣብታ መንግስቲ ኣቦኦም ከም ጸሓይ ኪበርሁ እዮም። እትሰምዕ እዝኒ
ዘላቶ ይስማዕ። [44] ድማ መንግስተ ሰማያት ኣብ ግራት እተሐብኤ እሞ ሰብ ረኺቡ ዝሐብኦ መዝገብ
ትመስል። ብታሕጓስ ከይዱስ፡ ዘለዎ ዅሉ ሸይጡ ነታ ግራት እቲኣ ዐደጋ [45] ድማ መንግስተ ሰማያት
ጽብቕቲ ዕንቍ ዚደሊ ነጋዳይ ትመስል። [46] ሓንቲ ኽብርቲ ዕንቍ ምስ ረኸበ፡ ከይዱ ዘለዎ ዅሉ ሸጠ
እሞ ዐደጋ። [47] ድማ መንግስተ ሰማያት ኣብ ባሕሪ እተደርበየት እሞ ካብ ኵሉ ዓሳ ዝኣከበት መርበብ
ትመስል። [48] ምስ መልኤት፡ ናብ ደንደስ ኣውጽእዋ። ተቐሚጦም ድማ፡ ጸጽቡቑ ኣብ ኣቓሑኦም ኣከቡ፡

ነቲ ሽኽፉኡ ግና ንወጻኢ ደርበይዎ። 49 ብመወዳእታ ዓለም ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ፡ መላእኽቲ
መጺኦም ነቶም ክፉኣት ካብ ማእከል ጻድቃን ኪፈልይዎም፡ 50 ናብ እቶን ሓዊ ድማ ኪድርብይዎም
እዮም። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃምን ኣስናንን ኪኸውን እዩ። 51 ነዚ ኹሉስ ኣስተውዒልኩምዎዶ
ኣሎኹም፧ ንሳቶም ድማ፡ እወ በልዎ፡ 52 ንሱ ኸኣ፡ ስለዚ ንመንግስተ ሰማያት ኢሉ እተማህረ ኹሉ
ጸሓፊ ኻብ መዝገብ ሓድሽን ብሉይን ዜውጽእ ብዓል ቤት ይመስል፡ በሎም። 53 ኰነ ድማ፡ የሱስ እዘን
ምስላታት እዚኤን ምስ ወድኤ፡ ካብኣ ነቕለ። 54-56 ናብ ዓዱ መጺኡ ኸኣ፡ እዚ ጥበብዚ፡ እዚ ሓይሊ
እዚኸ ኻበይ ረኸቦ፡ እዝስ ወዲ እቲ ጸራቢ ደይኰኑን፡ ኣዲኡስ ማርያም እትበሀል ደይኰነትን፧
ኣሕዋቱስ ያእቆብ፡ዮሴፍ፡ ስምኦን፡ ይሁዳ ደይኰኑን፧ ኣሓቱ ኹላተንሲ ምሳናዶ ኣየለዋን፧ እዚ ኹሉ ደኣ
ኻበይ ተዋህቦ፧ ኢሎም ክሳዕ ዚግረሙ፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም መሀሮም። 57 ብእኡ ኸኣ ተዐንቀፉ። የሱስ
ድማ፡ ነብዩ ብዘይ ኣብ ዓዱን ኣብ ቤቱን ኣይንዐቕን እዩ፡ በሎም። 58 ብሰሪ ዘይምእማኖም ከኣ ኣብኡ
ብዙሕ ግብርታት ሓይሊ ኣይገበረን።

# ምዕራፍ 14

1 በቲ ጊዜ እቲ ሄሮድስ ብዓል ርባዕ ሽመት፡ ወረ የሱስ ሰምዔ። 2 ንገላዉኡ ድማ፡ እዚ ዮሃንስ መጥመቕ
እዩ። ንሱ ኻብ ምዉታት ተንሲኡ ኣሎ፡ ስልዚ ኸኣ እዚ ሓይልታትዚ ብእኡ ይግበር ኣሎ፡ በሎም። 3-4
ዮሃንስ ንሄሮድስ ብዛዕባ እታ ሄሮድያዳ ሰበይቲ ፊልጶስ ሓዉ፡ ንሳ ንኣኻ ኽትከውን ኣይተፈቕደልካን፡
ኢልዎ ነበረ እሞ፡ ሄሮድስ ንዮሃንስ ብሰራ ሒዙ ኣሲሩ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእትይዎ ነበረ። 5
ኪቐትሎውን ይደሊ ነበረ፡ ግናኸ እቶም ህዝቢ ኸም ነብዪ ይርእይዎ ነበሩ እሞ፡ ፈርሆም። 6 ሄሮድስ
እተወለደላ መዓልቲ ምስ ኣብዐሉ፡ ጓል ሄሮድያዳ ኣብ ማእከል ኰይና ሳዕስዔት፡ ንሄሮድስ ከኣ
ኣሐጐሰቶ። 7 ሽዑ ዝደለየቶ ኺህባ ብማሕላ ኣተስፈዋ። 8 ንሳ ኸምቲ ኣዲኣ ቐድም ዝመኸረታ፡ ርእሲ
ዮሃንስ መጥመቕ ኣብ ሒላብ ጌርካ ኣብዚ ሀበኒ፡ በለቶ። 9 እቲ ንጉስ ጒሀየ፡ ስለቲ ማሕላኡን ስለቶም
ኣብ መኣዲ መቓምጡን ግና ኪሀብዋ ኣዘዘ። 10 ልኢኹ ድማ ርእሲ ዮሃንስ ኣብ ቤት ማእሰሪ ኣሰየፈ። 11
እታ ርእሱ ኣብ ሒላብ ገይሮም ከኣ ነታ ጓል ሀብዋ። ንሳ ድማ ናብ ኣዲኣ ወሰደታ። 12 ደቀ መዛሙርቱ
ኸኣ መጺኦም፡ ሬሳኡ ኣልዒሎም ቀበሩ። ከይዶም ከኣ ንየሱስ ነገርዎ። 13 የሱስ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ካብኣ
ብጃልባ ኣግሊሱ ናብ ጽምዊ በረኻ ኸደ። እቶም እኩባት ህዝቢ ሰሚዖም ከኣ፡ ካብ ከተማታት ብእግሪ
ሰዐብዎ። 14 የሱስ ናብ ምድሪ ምስ ወጸ፡ ብዙሕ ህዝቢ ረኣየ እሞ ደንገጸሎም፡ ሕሙማቶምውን ኣሕወየ።
15 ምስ መሰየ፡ ደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ቐሪቦም፡ እዛ ቦታ እዚኣ በረኻ እያ፡ ምድሪ ኸኣ መስዩ እዩ።
እምብኣርሲ እዞም ሰብ ናብ ዓድታት እትዮም፡ ንርእሶም እንጌራ ኺዕድጉ ኣሳናብቶም፡ በልዎ። 16 የሱስ
ግና፡ ምኻድ ኣየድልዮምን፡ ኪበልዑ ንስኻትኩም ሀብዎም፡ በሎም። 17 ንሳቶም ከኣ፡ ኣብዚ ሓሙሽተ
እንጌራን ክልተ ዓሳን ገለ የብልናን፡ በልዎ። 18 ንሱ ግና፡ ናባይ ኣምጽእዎ፡ በለ። 19 እቶም ሰብውን ኣብ
ሳዕሪ ኪቕመጡ ኣዘዘ። ነተን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣልዒሉ፡ ናብ ሰማይ ገጹ ቘሊሕ በለ፡
ባረኸ፡ ቈሪሱ ንደቀ መዛሙርቱ ሀቦም። 20 ኵሎም በሊዖም ጸገቡ። እቲ ዝተረፈ ቘረርስ ድማ ዓሰርተው
ክልተ መሶብ መሊኦም ኣልዐሉ። 21 እቶም ዝበልዑ፡ ብዘይ ኣንስትን ቈልዑን፡ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ
ሰብኣይ ነበሩ። 22 ሽዑ ንሱ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ ጃልባ ኺኣትዉ እሞ፡ ነቶም ሰብ ክሳዕ ዜሳናብቶም፡
ናብ ማዕዶ ኪቕድምዎ፡ ብግዲ በሎም። 23 ነቶም ሰብ ኣሳናቢቱ፡ ኪጽሊ ናብ ብሕት ዝበለ ኸረን ደየበ።
ምድሪ ምስ መሰየ ኸኣ፡ ኣብኡ በይኑ ነበረ። 24 እታ ጃልባ ኣብ ማእከል ባሕሪ ምስ በጽሔት ግና፡ ንፋስ

ብቕድሚኣ ነበረ እሞ፡ ብማዕበል ትጭነቕ ነበረት። [25] የሱሱ ባሕረ ባሕሪ እናኸደ፡ ብራብዓይ ምቃል
ለይቲ መጾም። [26] እቶም ደቀ መዛሙርቲ፡ ባሕረ ባሕሪ ኪኸይድ ምስ ረኣይዎ፡ ምትሃት እዩ፡ ኢሎም
ሰምበዱ፡ ፈሪሆም ከኣ ጨርሑ። [27] ግናኸ የሱስ ብኡብኡ፡ ኣጀኹም፡ ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ፡ ኢሉ
ተዛረቦም። [28] ጴጥሮስ መሊሱ፡ ጐይታይ፡ ንስኻ እንተ ኾንካስ፡ ብማየ ማይ ናባኻ ኽመጽእ ኣዝዘኒ፡
በሎ። [29] ንሱ ኸኣ፡ ንዓ፡ በሎ። ሽዑ ጴጥሮስ ካብ ጃልባ ወሪዱ፡ ብማየ ማይ እናኸደ፡ ናብ የሱስ መጸ። [30]
ብርቱዕ ንፋስ ምስ ረኣየ ግና፡ ፈርሄ። ኪጥሕል ምስ ጀመረ ድማ፡ ጐይታይ፡ ኣድሕነኒ፡ ኢሉ ኣእወየ። [31]
ሽዑ የሱስ ኢዱ ዘርጊሑ ሐዞ እሞ፡ ኣታ ጕዱል እምነት፡ ስለምንታይከ ተዋላወልካ፧ በሎ። [32] ናብ ጃልባ
ምስ ኣተወ፡ እቲ ንፋስ ዝግ በለ። [33] እቶም ኣብ ጃልባ ዝነበሩ ኸኣ፡ ንስኻ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡
እናበሉ ሰገዱሉ። [34] ተሳጊሮም ከኣ ናብ ምድሪ ጌንሳሪጥ መጹ። [35] እቶም ሰብ ምስ ኣለለይዎ፡ ኣብ
ጐደቦኦም ናብ ዘለዋ ዅለን ዓድታት ለኣኹ፡ ኵሎም ሕሙማት ድማ ኣምጽኡሉ። [36] ዘፈር ክዳኑ
ኺትንከዩ ጥራይ ለመንዎ። ዝተንከዮ ዘበለ ኸኣ ሐወየ።

# ምዕራፍ 15

[1] ሽዑ ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ካብ የሩሳሌም ናብ የሱስ መጺኦም፡ [2] ደቀ መዛሙርትኻ እንጌራ ኺበልዑ
ኸለዉ፡ ኢዶም ኣይሕጸቡን እዮም እሞ፡ ስለምንታይ ስርዓት ዓበይቲ የፍርሱ ኣለዉ፧ በልዎ። [3] ንሱ
መሊሱ በሎም፡ ስለምንታይ ግዳ ንስኻትኩም ምእንቲ ስርዓትኩም ትእዛዝ ኣምላኽ ተፍርሱ ኣሎኹም [4]
ኣምላኽ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ድማ፡ ነቦኡ ኰነ ወይስ ነዲኡ ሕሱም ቃል ዜውስእ ሞት ይሙት፡
በለ። [5] ንስኻትኩም ግና፡ ነቦኡ ኾነ ወይስ ነዲኡ፡ እቲ ኻባይ እትጥቀመሉ መባእ ጌርዮ እየ፡ ዚብል ግዲ
ምኽባር ኣቦኡን ኣዲኡን የብሉን፡ ትብሉ። [6] ምእንቲ ስርዓትኩም ነቲ ቓል ኣምላኽ ከንቱ ገበርኩምዎ። [7]
ኣቱም ግቡዛት፡ ኢሳይያስ ብዛዕባኻትኩም ጽቡቕ ተነበየ፡ ከምዚ ኢሉ፡ [8] እዚ ህዝቢ እዚ ብኸናፍሩ
የኽብረኒ፡ ልቡ ግና ኻባይ ርሑቕ እዩ። [9] ትምህርቲ ትእዛዛት ሰብ እናመሀሩ፡ ንኸንቱ የምልኹኒ። [10]
ነቶም እኩባት ሰብ ጸዊዑ በሎም፡ ስምዑ፡ ኣስተውዕሉ፡ [11] ንሰብ እቲ ኻብ ኣፍ ዚወጽእ እዩ ዜርክሶ
እምበር፡ እቲ ናብ ኣፍ ዚእቱስ ንሰብ ኣየርክሶን። [12] ሽዑ ደቀ መዛሙርቱ ቐሪቦም፡ ፈሪሳውያን ዘረባኻ
ሰሚዖም ከም እተዐንቀፉስ ፈሊጥካዶ፧ በልዎ። [13] ንሱ ግና መለሰ በለውን፡ ናይ ሰማይ ኣቦይ ዘይተኸሎ
ዘበለ ዅሉ ተኸሊ ብሱሩ ኺምንቈስ እዩ። [14] ሕደግዎም፡ ዕዉራትን መራሕቲ ዕዉራትን እዮም።
ንዕዉርስ ዕዉር እንተ መርሖ፡ ክልቲኦም ኣብ ጕድጓድ ይወድቁ። [15] ጴጥሮስ፡ እዛ ምስላ እዚኣ ኹታ
ተርጕመልና፡ ኢሉ መለሰሉ። [16] የሱስ በለ፡ ንስኻትኩምውንዶ ኽሳዕ ሕጂ ኣየስተውዐልኩምን፧ [17] ብኣፍ
ዚኣቱ ዘበለ ናብ ከብዲ ኸም ዚወርድ እሞ ንግዳም ከም ዚወጽእዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ [18] እቲ ኻብ
ኣፍ ዚወጽእ ግና ካብ ልቢ እዩ ዚመጽእ እሞ፡ ንሱ እዩ ንሰብ ዜርክሶ። [19] ካብ ልቢ ኽፉእ ሓሳብ፡
ቅትለት፡ ዝሙት፡ ምንዝር፡ ስርቂ፡ ምስክር ሓሶት፡ ጸርፊ ይወጽእ እዩ እሞ፡ [20] እዚ እዩ ንሰብ ዜርክሶ
እምበር፡ ብዘይተሐጽበ ኣእዳው ምብላዕሲ ንሰብ ኣየርክሶን። [21] የሱስ ካብኡ ነቒሉ ናብ ወሰን ምድሪ
ጢሮስን ሲዶናን ከደ። [22] እንሆ ድማ፡ ከነኣናዊት ሰበይቲ ኻብ ወሰን እቲ ምድሪ መጸት። እናጨርሔት
ድማ፡ ጐይታይ ወዲ ዳዊት፡ ንጓለይ ጋኔን ብኽፉእ ሒዝዋ ኣሎ እሞ፡ ምሐረኒ፡ በለት። [23] ንሱ ግና ሓንቲ
ቓል እኳ ኣይመለሰላን። ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ቀሪቦም፡ ድድሕሬና ትጠርዕ ኣላ እሞ ኣፋንዋ፡ ኢሎም
ለመንዎ። [24] ንሱ ግና፡ ብዘይ ናብተን ጥፉኣት ኣባጊዕ ቤት እስራኤል ኣይተልኣኽኩን፡ ኢሉ መለሰ። [25]
ንሳ ግና፡ ጐይታይ፡ ርድኣኒ፡ እናበለት መጺኣ ሰገደትሉ። [26] ንሱ ኸኣ መለሰ፡ እንጌራ ውሉድ ኣልዒልካ

ነኽላባት ምሃብ ኣይግባእን እዩ፡ በላ። [27] ንሳ ግና፡ እወ ጐይታይ፡ ኣኽላባት ድማ ካብ መኣዲ ጎይተቶም
ዝወደቐ ርፍራፍ ይበልዑ እዮም፡ በለት። [28] ሽዑ የሱስ፡ ኣቲ ሰበይቲ፡ እምነትኪ ዓባይ እያ፡ ከም
ዝደሌኺዮ ይኹነልኪ፡ ኢሉ መለሰላ። ካብታ ሰዓት እቲኣ ጓላ ሐወየት። [29] የሱስ ካብኡ ሓሊፉ፡ ናብ ጥቓ
ባሕሪ ገሊላ መጸ። ናብ ከረን ደዪቡ ኸኣ ተቐመጠ። [30] ብዙሓት ሰብ ድማ፡ ሓንካሳት፡ ዕውራት፡
ጸማማት፡ ቈራያት፡ ብዙሓት ካልኦትውን ምሳታቶም ሒዞም፡ ናብኡ መጹ፡ ኣብ ጥቓ እግሪ የሱስውን
ኣንበርዎም። ንሱ ኸኣ ኣሕወዮም። [31] እቶም ህዝቢ ድማ ዓባሳት ኪዛረቡ፡ ቈራያት ኪሐውዩ፡ ሓንካሳት
ኪኸዱ፡ ዕዉራትውን ኪርእዩ ርእዮም ተገረሙ እሞ፡ ንኣምላኽ እስራኤል ኣመስገንዎ። [32] የሱስ ንደቀ
መዛሙርቱ ጸዊዑ በሎም፡ እዞም ህዝቢ እዚኦም ሰለስተ መዓልቲ ምሳይ ገይሮም እዮም እሞ፡ ዚበልዕዎ
ስለ ዜብሎም፡ የደንግጹኒ ኣለዉ። ኣብ መገዲ ኸይደኽሙ ኸኣ፡ ጸሞም ከሳናብቶም ኣይፈቱን። [33] ደቀ
መዛሙርቱ ኸኣ፡ ኣብዚ በረኻዚ ደኣ ንኽንድዚ ዚኣክል ህዝቢ ዜጽግብ እንጌራ ኻበይ ክንረክብ ኢና፧
በልዎ። [34] የሱስ ድማ፡ ክንደይከ እንጌራ ኣሎኩም፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ሾብዓተ፡ ሒደት ድማ ዓሳ፡
በልዎ። [35] ነቶም ህዝቢ ድማ ኣብ ምድሪ ኪቕመጡ ኣዘዞም። [36] ነተን ሾብዓተ እንጌራን ነቶም ዓሳን
ኣልዒሉ፡ ኣመስጊኑ ቘረሰ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ድማ ሃቦም፡፡እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ነቶም ህዝቢ
ሀብዎም። [37] ኵሎም በሎዖም ጸገቡ። ዝተረፈ ቘረርስ ድማ ሾብዓተ መሶብ መሊኦም ኣልዐሉ። [38] እቶም
ዝበልዑ ኸኣ፡ ብዘይ ኣንስትን ቈልዑን፡ ኣርባዕተ ሽሕ፡ ሰብኣይ ነበሩ። [39] ነቶም ህዝቢ ምስ ኣሳናበተ፡
ናብ ጃልባ ኣትዩ ናብ ወሰን መግደላ መጸ።

# ምዕራፍ 16

[1] ፈሪሳውያን ሰዱቃውያንን ኪፍትንዎ መጺኦም፡ ካብ ሰማይ ትእምርቲ ኼርእዮም ለመንዎ። [2] ንሱ ግና
መሊሱ በሎም፡ ምስ መሰየ ሰማይ ይቐይሕ ኣሎ እሞ፡ ጻሕያ ኪኸውን እዩ፡ ትብሉ። [3] ምስ ውግሔ፡ እቲ
እተደበነወ ሰማይ ይቕይሕ ኣሎ እሞ፡ ሎሚ ዝናብ ኪዘንም እዩ፡ ትብሉ። ገጽ ሰማይ ምፍላጥ ትፈልጡ
ትእምርቲ ዘመናትከ ኽትፈልዩዶ ኣይኰነልኩምን፧ [4] ክፉእን ዘማውን ወለዶ ትእምርቲ ይደሊ፡ ብዘይ
ትእምርቲ ነብዩ ዮናስ ድማ ካልእ ትእምርቲ ኣይወሀቦን። ሐዲግዎም ከኣ ኸደ። [5] ደቀ መዛሙርቱ ናብ
ማዕዶ መጹ፡ ምምላእ እንጌራ ኸኣ ረስዑ። [6] የሱስ ድማ፡ ካብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን ሰዱቃውያንን
ተጠንቀቑን ተኣርነቡን፡ በሎም። [7] ንሳቶም ግና፡ እንጌራ ስለ ዘይተማላእና እዩ፡ ኢሎም ብልቦም ሐሰቡ።
[8] የሱስ ፈሊጡ በሎም፡ ኣቱም ጐዱላት እምነት፡ ስለምንታይ እንጌራ ብዘይ ምምላእኩም ብልቡኹም
ትሐስቡ፧ [9] እቲ ሓሙሽተ እንጌራን ንሓሙሽተ ሽሕ ክንደይ መሶብ ከም ዘልዕልኩምዶ ገና
ኣይተስተውዕሉን ኣይትዝክርዎንውን፧ [10] ወይስ እቲ ሾብዓተ እንጌራ ነርባዕተ ሽሕ ድማ ክንደይ መሶብ
ከም ዘልዐልኩም፧ [11] እቲ ኻብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን ሰዱቃውያንን ክትእርነቡ ዝበልኩኹም ብናይ
እንጌራኸም ዘይኰንኩ፡ ከመይ ዘይተስተውዕሉ፧ [12] ንሳቶም ከኣ ካብ ትምህርቲ ፈሪሳውያንን
ሰዱቃውያንን ኪእርነቡ እምበር፡ ካብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን ሰዱቃውያንን ኪእርነቡ ኸም
ዘይብሎም፡ ሽዑ ኣስተውዐሉ። [13] የሱስ ናብ ምድሪ ቂሳርያ ናይ ፊልጶስ ምስ መጸ፡ ንደቀ መዛሙርቱ፡
ሰባት ንወዲ ሰብ መን እዩ ይብልዎ፧ኢሉ ሐተቶም። [14] ንሳቶም ከኣ፡ ገሊኦም ዮሃንስ መጥመቕ፡ ካልኦት
ድማ ኤልያስ፡ ገሊኦምውን ኤርምያስ ወይስ ሓደ ኻብ ነብያት ዚብሉ ኣለዉ፡ ኢሎም መለስሉ። [15] ንሱ
ኸኣ፡ ንስኻትኩምከ መን እዩ ትብሉኒ ኣሎኹም፧ በሎም። [16] ስምኦን ጴጥሮስ፡ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ
ህያው ኣምላኽ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። [17] የሱስ ከኣ መሊሱ በሎ፡ ስምኦን ወዲ ዮና፡ እዚ እቲ ኣብ ሰማያት

ዘሎ ኣቦይ እምበር፡ ስጋን ደምን ኣይገለጸልካን እሞ፡ ብጹእ ኢኻ። 18 ኣነ ኸኣ እብለካ አሎኹ፡ ንስኻ
ጴጥሮስ ኢኻ። ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ኽሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን። 19
መርሖታት መንግስተ ሰማያት ክህበካ እየ፡ ኣብ ምድሪ ዝኣሰርካዮ ዅሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ።
ኣብ ምድሪ ዝፈታሕካዮ ዅሉ ድማ ኣብ ሰማይ ፍቱሕ ኪኸውን እዩ። 20 ድሕርዚ ንደቀ መዛሙርቱ ንሱ
ክርስቶስ ምዃኑ ንሓደ እኳ ከይነግሩ ኣዘዞም። 21 ካብ ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ናብ የሩሳሌም
ኪድይብ፡ ብዓበይቲ ብሊቃውንቲ ኽህናትን ብጻሕፍትን ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡ ክቕተል፡
ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንስእ ከም ዚግብኦ፡ ኪገልጸሎም ጀመረ። 22 ጴጥሮስ ከኣ ንበይኑ ገይሩ፡
ይባልህካ እባ ደኣ፡ ጐይታይ፡ እዝስ ኣይብጻሕካ፡ ኢሉ ኺገንሖ ጀመረ። 23 የሱስ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ፡
ካባይ ርሐቕ፡ ሰይጣን፥ ናይ ሰብ እምበር፡ ናይ ኣምላኽ ኣይትሐስብን ኢኻ እሞ፡ ንኣይ መዓንቀፊ ኢኻ፡
በሎ። 24-25 ሽዑ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፡ ንህይወቱ ኼድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ። እቲ ንህይወቱ
ምእንታይ ዜጥፍኣ ኸኣ ኪረኽባ እዩ እሞ፡ ኪስዕበኒ ዚፈቱ እንተሎ፡ ህይወቱ ቐቢጹ፡ መስቀሉ ኣልዒሉ
ይስዐበኒ። 26 ንሰብከ ዅላ ዓለም ረቢሑስ፡ ነፍሱ እንተ ኣጥፍኤ፡ እንታይ ትጠቕሞ፧ ወይስ ሰብ በጃ
ነፍሱ እንታይ ኪህብ እዩ፧ 27 ወዲ ሰብ ብኽብሪ ኣቦኡ ምስ መላእኽቱ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ ሽዑ ንነፍሲ
ወከፍ ከከም ግብሩ ኺህቦ እዩ። 28 ካብ እዞም ኣብዚኣ ደው ኢሎም ዘለዉ፡ ንወዲ ሰብ ብመንግስቱ
ኺመጽእ ከሎ ኽሳዕ ዚርእይዎ፡ ንሞት ከቶ ዘይጥዕምዋ ኽም ዘለዉ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ።

# ምዕራፍ 17

1 ድሕሪ ሹዱሽተ መዓልቲ ድማ የሱስ ንጴጥሮስን ንያእቆብን ንዮሃንስ ሓዉን ወሲዱ ንበይኖም ናብ
ነዊሕ ከረን ኣደየቦም። 2 ኣብ ቅድሚኦም ድማ ትርኢቱ ተለወጠ። ገጹ ኸም ጸሓይ ኣብርሄ፡ ክዳኑውን
ከም ብርሃን ጸዕደወ። 3 እንሆ ኸኣ፡ ሙሴን ኤልያስን ምስኡ እናተዛራረቡ ተራእይዎም። 4 ጴጥሮስ
መሊሱ ንየሱስ በሎ፡ ጐይታይ፡ ንኣና ኣብዚ ምንባር ጽቡቕ እዩ። ትፈቱ እንተ ኴንካስ፡ ኣብዚ ሰለስተ
ዳስ ክንሰርሕ፡ ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ ንሙሴ ሓደውን ንኤልያስ። 5 ገና ኺዛረብ ከሎ፡ እንሆ፡ ብሩህ ደበና
ኣጐልበቦም። እንሆ ኸኣ፡ ካብቲ ደበና፡ ዝፈትዎ ወደይ፡ ብእኡ ዝሰመርኩ እዚ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ፡
ዚብል ድምጺ መጸ። 6 ደቀ መዛሙርቱ እዚ ሰሚዖም ብግንባሮም ተደፍኡ፡ ብዙሕ ድማ ፈርሁ። 7 የሱስ
ቅርብ ኢሉ ተንከዮም፡ ተንስኡ ኣይትፍርሁውን፡ በሎም። 8 ንላዕሊ ገጾም ቍሊሕ እንተ በሉ፡ ብዘይ
የሱስ በይኑ ሓደ እኳ ኣይረኣዩን። 9 ካብ ከረን ኪወርዱ ኸለዉ፡ የሱስ ወዲ ሰብ ካብ ምዉታት ክሳዕ
ዚትንስእ፡ እዚ ዝርኤኹምዎ ንሓደ እኳ ኣይትንገሩ፡ ኢሉ ኣዘዞም። 10 ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡ ንምንታይ
ደኣ ጸሓፍቲ፡ ቅድም ኤልያስ ኪመጽእ ይግባእ፡ ዚብሉ፧ ኢሎም ሐተትዎ። 11 ንሱ ኸኣ መሊሱ በሎም፡
ብሓቂ ቅድም ኤልያስ ይመጽእ፡ ንዅሉ ድማ የቕንዕ። 12 ኣነ ግና እብለኩም አሎኹ ኤልያስ ቅድሚ ሕጂ
መጺኡ፡ ከም ዝደለዩ ገበርዎ እምበር፡ ኣየለለይዎን። ንወዲ ሰብ ድማ ከምኡ ንሳቶም ሓሳረ መከራ
ኼጽግብዎ እዮም። 13 ሽዑ ደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባ ዮሃንስ መጥመቕ ከም ዝበሎም ኣስተውዐሉ። 14
ናብቲ እኩብ ህዝቢ ምስ በጽሑ፡ ሓደ ሰብኣይ ናብኡ ቐሪቡ ኢድ ነስኣሉ፡ 15 በሎውን፡ ጐይታን፡ ንወደይ
ምሐረለይ። ሕማም ባርያ በብወርሒ ይለዐሎ፡ ሓሳር ድማ የጽግቦ። ንሱ ብዙሕ ሳዕ ኣብ ሓዊ፡ ብዙሕ
ሳዕ ድማ ኣብ ማይ ይወድቕ እሞ፡ 16 ናብ ደቀ መዛሙርትኻ ኣምጺኤዮስ፡ ምሕዋዩ ሰኣኑ። 17 የሱስ ግና
መለሰ በለውን፡ ኣታ ዘይእሙንን ቴናንን ወለዶ፡ ክሳዕ መኣዝ ምሳኻትኩም ክነብር እየ፡ ክሳዕ መኣዝሲ
ኽዕገሰኩም እየ፧ ናብዚ ናባይ ኣምጽእዎ። 18 የሱስ ገንሖ፡ እቲ ጋኔን ከኣ ካብኡ ወጸ። እቲ ቈልዓ ድማ

ካብቲ ሰዓት እቲኣ ሒዙ ሐወየ። 19 ሽዑ ደቀ መዛሙርቱ ብሕት ኢሎም ናብ የሱስ መጺኦም፡
ስለምንታይ ደኣ ንሕና ምውጻኡ ዝሰኣንና፧ በልዎ። 20 የሱስ ከኣ፡ እምነትኩም ስለ ዝጎደለት። ብሓቂ
እብለኩም ኣሎኹ፡ ክንዲ ፍረ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ኣልያትኩም፡ ነዚ ኸረን ድማ፡ ካብዚ ናብቲ
ኣግልስ፡ ትብልዎ፡ ንሱ ኸኣ የግልስ፡ ዚሰኣነኩምውን የልቦን። 21 እዚ ኸምዚ ዝበለ ዓሌት ግና ብዘይ
ብጾምን ብጸሎትን ኣይወጽእን እዩ፡ በሎም። 22 ኣብ ገሊላ ኺመላለሱ ኸለዉ፡ የሱስ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ
ሰብ ኪትሐዝ ኣለዎ። 23 ኪቐትልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ኪትንስእ እዩ፡ በሎም። ብዙሕ ከኣ
ጒሀዩ። 24 ናብ ቅፍርናሆም ምስ መጹ፡ ግብሪ ዜውጽኡ ናብ ጴጥሮስ መጺኦም፡ መምህርኩምሲ እቲ
ኽልተ ድሪም ግብሪዶ ኣይፈድን እዩ፧ በልዎ። 25 ንሱ፡ ይፈዲባ ኢሉ መለሰ። ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ የሱስ
ቀዲሙ፡ ስምኦን፡ ነገስታት ምድርስ ግብርን ተጎን ካብ መን ይወስዱ፧ ካብ ደቆምዶ ወይስ ካብ ካልኦት፧
እንታይ ይመስለካ፧ በሎ። 26 ጴጥሮስ፡ ካብ ካልኦትባ፡ በለ። የሱስ ከኣ፡ ደቆምስኸ ናጻ እዮም። 27
ከይንዕንቕፎም ግና፡ ናብ ባሕሪ ኼድካ መቓጥን ደርቢ፡ ነቲ ቐድም እትሕዞ ዓሳ ውሰድ፡ ኣፉ ምስ
ከፈትካ፡ ኣብኡ ሓደ እስታቴር ክትረክብ ኢኻ። ንእኡ ወሲድካ፡ ኣብ ክንዳይን ኣብ ክንዳኻን ሀቦም፡
በሎ።

## ምዕራፍ 18

1 በታ ጊዜ እቲኣ እቶም ደቀ መዛሙርቱ፡ ኣብ መንግስተ ሰማያት መን ኰን ይበልጽ፧ እናበሉ ናብ የሱስ
ቀረቡ። 2 ንሱ ድማ ቈልዓ ጸዊዑ ኣብ ማእከሎም ደው ኣበሎ። 3 በለ ኸኣ፡ እንተ ዘይተመለስኩም፡ ከም
ቈልዓውን እንተ ዘይኰንኩም፡ ናብ መንግስተ ሰማያት ከቶ ኸም ዘይትኣትዉ፡ ብሓቂ እብለኩም
ኣሎኹ። 4 እቲ ኸምዚ ቈልዓዚ ርእሱ ዜትሕት፡ ንሱ እዩ ኣብ መንግስተ ሰማያት ዚበልጽ። 5 ንኸምዚ
ዝበለ ቈልዓ ብስመይ ዚቕበል፡ ንኣይ ይቕበል። 6 ካብዞም ብኣይ ዚኣምኑ ናእሽቱ ንሓደ ዜስሕት ግና፡
መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ዓሚቝ ባሕሪ ኺጥሕል ይሔሾ። 7 መዓንቀፉ ኺይመጽ ኣይተርፍን
እዩ እሞ፡ ወይለኣ ንዓለም ብሰሪ መዓንቀፊ። ምናዳ ነቲ ብሰሩ ስሕተት ዚመጽእ ሰብ ወይለኡ። 8 ኢድካ
ወይ እግርኻ እንተ ኣስሐተትካ፡ ካባኻ ቈሪጽካ ደርብያ። ክልተ ኢድን ክልተ እግርን ከሎካ ናብ ናይ
ዘለኣለም ሓዊ ኻብ እትድርበስ፡ ቈሪጽ ወይስ ሓንካስ ኳንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሔሸካ። 9 ዓይንኻ
እንተ ኣስሐተትካውን፡ ካባኻ ጒጥጒጥካ ደርብያ። ክልተ ዓይኒ ኸለዋኻ፡ ናብ ገሃነም ሓዊ ኻብ
እትድርበስ፡ ነቓር ኳንካ ናብ ህይወት ምእታው ይሔሸካ። 10 ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ እኳ ኸይትንዕቑ
ተጠንቀቑ። መላእኽቶም ኣብ ሰማያት ኵሉ ሳዕ ገጽ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ይርእዩ ኣለዉ፡
እብለኩም ኣሎኹ። 11 ወዲ ሰብ ንዝጠፍኤ ኼድሕን መጺኡ አሎ እሞ፡ 12 እንታይ ይመስለኩም፧ ሚእቲ
በጊዕ ዘለዋኦ ሰብኣይ፡ ካብኤን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶ፡ ነተን ተስዓን ትሽዓተን ሐዲጉዶ ነታ ዝጠፍኤት
ኪደሊ ናብ ኣኽራን ኣይከይድን፧ 13 እንተ ረኺባ ድማ፡ ካብተን ተስዓን ትሽዓተን ዘይጠፍኣስ፡ ብእኣ ኣዝዩ
ኸም ዚሕጎስ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 14 ከምኡ ድማ ካብዞም ናእሽቱ ሓደ ኺጠፍእ፡ ፍቓድ እቲ
ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ኣይኰነን። 15 ሓውኻ እንተ በደለካ፡ ኪድ፡ ንስኻን ንሱን ኣብ በይንኹም
ግንሓዮ። እንተ ሰምዓካ፡ ንሓውኻ ረባሕካዮ። 16 እንተ ዘይሰምዓካ ግና፡ ብኣፍ ክልተ ወይስ ሰለስተ
ምስክር ኵሉ ነገር ኪጸንዕ፡ ሓደ ወይ ክልተ ምሳኻ ውሰድ። 17 ንኣታቶም እንተ ዘይሰምዖም ከኣ፡
ንማሕበር ንገራ። ነታ ማሕበር እንተ ዘይሰምዓ ግና፡ ከም ኣረምን ከም ተጋውን ርኣዮ። 18 ኣብ ምድሪ
ዝኣሰርኩምዎ ዅሉ ኣብ ሰማይ እሱር ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪ ዝፈታሕኩምዎ ዅሉ ድማ ኣብ ሰማይ

ፍቱሕ ከም ዚኸውን፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። 19-20 ክልተ ወይ ሰለስተ ኹይኖም ብስመይ ኣብ
እተኣከቡሉ ኣነ ኸኣ ኣብኡ ኣብ ማእከሎም እየ እሞ፡ ክልተ ኻባኻትኩም ኣብ ምድሪ ብዚልምንዎ ነገር
ኵሉ እንተ ተሳማምዑ፡ ካብቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ ኣቦይ ኪውህቦም እዩ፡ ኢለ ኸም ብሓድሽ እብለኩም
አሎኹ። 21 ሽዑ ጴጥሮስ ቅርብ ኢሉ፡ ጐይታይ፡ ሓወይ እንተ በደለንስ፡ ክንደይ ሳዕ ክሐድገሉ፧ ክሳዕ
ሾብዓተዶ፧ በሎ። 22 የሱስ በሎ፡ ክሳዕ ሰብዓ ሳዕ ሾብዓተ እምበር፡ ክሳዕ ሾብዓተ ሳዕ ኣይብለካን። 23
ስለዚ መንግስተ ሰማያት ምስ ባሮቱ ኺጸባጸብ ዝደለየ ንጉስ ትመስል። 24 ኪጸባጸብ ምስ ጀመረ፡ እልፊ
መክሊት ዕዳ ዘለዎ ናብኡ ኣቕረቡ። 25 ዚፈድዮ ምስ ሰኣነ ግና፡ እቲ ጐይታኡ፡ ንሱን ሰበይቱን ደቁን
ዘለዎ ዅሉን ኪሸይጥ እሞ እቲ ዕዳ ኺፍደ ኣዘዘ። 26 ሽዑ እቲ ባርያ ተደፊኡ፡ ጐይታይ፡ ተዐገሰኒ፡ ኵሉ
ኸኣ ክፈድየካ እየ፡ ኢሉ ሰገደሉ። 27 ጐይታኡ ድማ ነቲ ባርያ መሐሮን ፈትሖን፡ ዕዳኡውን ሐደገሉ። 28
እቲ ባርያ ምስ ወጸ ግና፡ ካብቶም ብጾቱ ሚእቲ ዲናር ዕዳ ዘለዎ ሓደ ባርያ ረኸበ። ሒዙ ኸኣ፡ ኣባኻ
ዘሎ ዕዳ ፍደየኒ፡ ኢሉ ሐነቖ። 29 ሽዑ እቲ ብጻይ ባርያ፡ ተዐገሰኒ፡ ኵሉ ኽፈድየካ እየ፡ ኢሉ ተደፊኡ
ለመኖ። 30 ንሱ ግና ኣበዮ፡ ክይዱ ድማ፡ ክሳዕ ዕዳኡ ዚፈዲ፡ ኣእሰሮ። 31 እቶም ብጾቱ ባሮት ዝገበሮ
ርእዮም ብዙሕ ጐሀዩ። ክይዶም ከኣ፡ ዝዀነ ዅሉ ንጐይታኦም ነገርዎ። 32 ሽዑ ጐይታኡ ጸዊዑ፡ እታ
ኽፉእ ባርያ፡ ኣነ ኸንዲ ዝለመንካኒ ብዘሎ ዕዳኻ ሐደግኩልካ። 33 ንስኻኸ ኸምቲ ኣነ ዝመሐርኩኻዶ፡
ነቲ ብጻይካ ኽትምሕሮ ኣይምተገብኣካን፧ በሎ። 34 ጐይታኡ ኹርዩ፡ ኵሉ ዕዳኡ ኽሳዕ ዚፈዲ፡
ንዜጽብቡሉ ኣሕሊፉ ሀቦ። 35 ነፍሲ ወከፍኩም ነንሓዉ ነቲ በደሉ በብልብኹም ይቕረ እንተ
ዘይበልኩምሉ፡ እቲ ሰማያዊ ኣቦይ ድማ ከምኡ ኺገብረኩም እዩ።

# ምዕራፍ 19

1 ኰነ ድማ፡ የሱስ እዚ ነገርዚ ምስ ወድኤ፡ ካብ ገሊላ ነቒሉ፡ ብስግር ዮርዳኖስ ኣቢሉ ናብ ወሰን ይሁዳ
ኸደ። 2 ብዙሕ ህዝቢ ሰዐቦ፡ ኣብኡ ኸኣ ኣሕወዮም። 3 ፈሪሳውያን ድማ፡ ሰብኣይሲ ነታ ሰበይቱ ብዝዀነ
ምኽንያት ኪፈትሓዶ ተፈቒድሉ እዩ፧ ኢሎም ኪፍትንዎ ናብኡ መጹ። 4 መሊሱ በሎም፡ እቲ ካብ
መጀመርታ ዝፈጠረ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ ፈጠሮም፡ 5 ድማ፡ ምእንትዚ ሰብኣይ ነቦኡን ነዲኡን
ይሐድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጣበቕ፡ ክልቲኦም ሓደ ስጋ ይዀኑ፡ ከም ዝበለዶ ኣየንበብኩምን፧ 6 ደጊም
ሓደ ስጋ እዮም እምበር፡ ክልተ ኣይኰኑን። ነቲ ኣምላኽ ዘጋጠሞስ፡ ሰብ ኣይፍለዮ። 7 ንሳቶም፡
ስለምንታይ ደኣ ሙሴ፡ ጽሕፈት መፍትሒኣ ሂቦም፡ ኪፈትሕዋ ኣዘዘ፧ በልዎ። 8 ንሱ፡ ሙሴስ ብሰሪ ትሪ
ልብኹም ምፍታሕ ኣንስትኹም ፈቐደልኩም፡ ካብ መጀመርታ ግና ከምኡ ኣይነበረን፡ በሎም። 9 ኣነ
ግና፡ እቲ ንሰበይቱ ብዘይ ምኽንያት ዝሙት ዚፈትሓ ኻልእውን ዜእቱ ይዝሙ፡ እቲ ፍትሕቲ ዜእትውን
ይዝሙ፡ እብለኩም አሎኹ። 10 እቶም ደቀ መዛሙርቱ፡ ስርዓት ሰብኣይን ሰበይትን ከምዚ እንተ
ዀይኑስ፡ ምትእትታው ጽቡቕ ኣይኰነን፡ በልዎ። 11 ንሱ ግና በሎም፡ እዚ ነገርዚ፡ ብዘይ ነቶም
እተዋህቦም፡ ንዅሉስ ኪቕበሎ ኣይኰነሉን። 12 ካብ ከርሲ ኣዲኦም ስሉባት ኰይኖም እተወለዱ ኣለዉ፡
ሰባት ዝሰለብዎም ስሉባትውን ኣለዉ፡ ምእንቲ መንግስተ ሰማያት ኢሎም ባዕሎም እተሰልቡ
ስሉባትውን ኣለዉ እሞ፡ ኪቕበሎ ዚኽእል ይቀበሎ። 13 ሽዑ ኢዱ ኣንቢሩ ኺጽልየሎም፡ ቈልዑ ናብኡ
ኣምጽኡ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ገንሕዎም። 14 የሱስ ግና፡ መንግስተ ሰማያት ንኸምዚኣቶም ዝበሉ
እያ እሞ፡ ሕደጉ፡ ቈልዑ ናባይ ንምምጻእ ኣይትኸልክልዎም፡ በለ። 15 ኢዱ ኣንቢሩሎም ከኣ፡ ካብኡ
ኸደ። 16 እንሆ፡ ሓደ ናብኡ ቐሪቡ፡ ዎ መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ክረክብሲ፡ እንታይ ጽቡቕ ግብሪ

እግበር፧ በለ። [17] ንሱ ኸኣ በሎ፡ ንምንታይ ብዛዕባ ጽቡቕ ትሐተኒ ኣሎኻ፧ እቲ ጽቡቕሲ ሐደ እዩ። ናብ
ህይወት ክትኣቱ እንተ ደሌኻ ግና፡ እተን ትእዛዛት ሐሉ። [18] ንሱ፡ ኣየኖት፧ በሎ። የሱስ ከኣ፡ ኣኒ
ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ [19] ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ብጻይካውን
ከም ነፍስኻ ፍቶ፡ በሎ። [20] እቲ ጕበዝ፡ እዚ ኹሉ ካብ ንእስነተይ ሒዘ እሕልዎ ኣሎኹ፡ እንታይ ደኣ እዩ
ዚጐድለኒ ዘሎ፧ በሎ። [21] የሱስ ከኣ፡ ፍጹም ክትከውን እንተ ደሌኻስ፡ ኪድ፡ ዘለካ ሼጥካ ንድኻታት
ሀብ፡ ኣብ ሰማይ ድማ መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ፡ ንዓ ስዓበኒ፡ በሎ። [22] እቲ ጕበዝ፡ ብዙሕ ጥሪት
ስለ ዝነብሮ፡ ዘረባኡ ምስ ሰምዔ፡ እናጕሃየ ኸደ። [23] የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፡ ምእታው ሃብታም
ናብ መንግስተ ሰማያት ጭንቂ ምዃኑ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [24] ሃብታም ናብ መንግስተ ኣምላኽ
ካብ ዚኣቱስ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ ክትሐልፍ ይቐልል፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ እብለኩም ኣሎኹ። [25]
እቶም ደቀ መዛሙርቲ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ንመን ደኣ ኾን ኪድሕን ይከኣሎ፧ እናበሉ ብዙሕ ተገረሙ። [26]
የሱስ ጠመቶም፡ እዚ ንሰብ ኣይከኣሎን፡ ንኣምላኽ ግና ኵሉ ይከኣሎ እዩ፡ በሎም። [27] ሽዑ ጴጥሮስ
መሊሱ፡ እንሆ፡ ንሕና ኹሉ ሐዲግና ሰዐብናካ። እንታይ ኰን ክንረክብ ኢና፧ በሎ። [28] የሱስ በሎም፥
ንስኻትኩም ዝሰዐብኩምኒ፡ ብሓድሽ ልደት በታ ወዲ ሰብ ኣብ ዝፋን ክብሩ ዚቕመጠላ ጊዜ፡
ንስኻትኩም ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል ከም እትፈርዱ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [29] ስለ ስመይ
ኢሉ፡ ኣባይቲ ኾነ፡ ወይስ ኣሕዋት፡ ወይ ኣሓት፡ ወይ ኣቦ፡ ወይ ኣደ፡ ወይ ሰበይቲ፡ ወይ ውሉድ፡ ወይ
ግርሁ ዝሐደገ፡ ሚእቲ ኻዕበት ኪረክብ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወትውን ኪወርስ እዩ። [30] ብዙሓት ቀዳሞት
ዳሕሮት፡ ዳሕሮት ድማ ቀዳሞት ኪኾኑ እዮም።

# ምዕራፍ 20

[1] መንግስተ ሰማያት ነታ ኽልቲ ወይኑ ሰብ ውዕለት ኪሳማማዕ፡ ኣንጊሁ ዝወጸ ብዓል ቤት ትመስል። [2]
ምስቶም ሰብ ውዕለት ንመዓልቲ ሓደ ዲናር ምስ ተሳማምዔ፡ ናብ ኣታ ኽልቲ ወይኑ ሰደዶም። [3] ድማ
ብሳልሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ምስ ወጸ፡ ካልኦት ከኣ ዕዮ ዜብሎም ኣብ ዕዳጋ ደው ኢሎም ረኣየ። [4]
ንኣታቶም ከኣ፡ ንስኻትኩምውን ናብቲ ኣታ ኽልቲ ወይኒ ኺዱ እሞ እቲ ዝግባእ ክህበኩም እየ፡ በሎም።
ንሳቶም ከኣ ኸዱ። [5] ከም ብሓድሽ ድማ ብሳድሰይቲ ሰዓትን ብታስዐይቲ ሰዓትን ኣቢሉ ወጺኡ፡ ከምኡ
ገበረ። [6] ድማ ብመበል፡ ዓሰርተው ሓደ ሰዓት ወጺኡ፡ ካልኦት ደው ኢሎም ረኸበ፡ ንምንታይከ ምሉእ
መዓልቲ ብዘይ ዕዮ ኣብዚ ደው እትብሉ፧ በሎም። [7] ንሳቶም፡ ውዕለት ዜውዕለና ስኢንና፡ በልዎ። ንሱ፡
ንስኻትኩም ድማ ናብቲ ኣታ ኽልቲ ወይኒ ኺዱ፡ እቲ ዚግባእ ከኣ ትወስዱ፡ በሎም። [8] ምስ መሰየ፡ እቲ
ብዓል ኣታ ኽልቲ ወይኒ ንኣዛዝ ቤቱ፡ ነቶም ሰብ ውዕለት ጸውዓዮም፡ ካብ ዳሕሮት ጀሚርካ ኸኣ ክሳዕ
እቶም ቀዳሞት፡ ውዕለቶም ሀቦም፡ በሎ። [9] እቶም ሰብ መበል ዓሰርተው ሓደ ሰዓት ቀሪቦም ደዲናሮም
ተቐበሉ። [10] እቶም ቀዳሞት ምስ ቀረቡ ግና፡ ዚበዝሕ ዚቕበሉ መሰሎም። ንሳቶም ከኣ ደዲናሮም
ተቐበሉ። [11] ምስ ተቐበሉ፡ በቲ ብዓል ቤት ኣዕዘምዘሙ፡ [12] ነዞም ሓንቲ ሰዓት ጥራይ ዝዐየዩ ዳሕሮት፡
ንሕና ድኻም መዓልትን ዳህርን ዝጾርና፡ ምሳና ኣዳላደልካዮም፡ በልዎ። [13] ንሱ ኸኣ መለሰ፡ ንሓደ
ኻባታቶም በሎ፡ ዓርከይ፡ ኣይዐመጽኩኻን። ብሓደ ዲናርዶ ኣይተሰማማዕካንን፧ [14] ዚብጽሓካ ደኣ ሒዝካ
ኺድ። ነዚ ዳሕራይ ድማ ከንድቲ ናትካ ኽህቦ ፍቓደይ እዩ። [15] ወይስ በቲ ገንዘበይ ዝደሌኽዎ ኽገብርዶ
ኣይተፈቕደለይን እዩ፧ ወይስ ኣነ ሕያዋይ ብምዃነይዶ ዓይንኻ ቐናእ እያ፧ [16] ጽዉዓትሲ ብዙሓት እዮም፡
ሕሩያት ግና ሒደት እዮም እሞ ከምኡ እቶም ዳሕሮት ቀዳሞት ኪኾኑ፡ እቶም ቀዳሞት ከኣ ዳሕሮት

ኪኾኑ እዮም። [17] የሱስ ናብ የሩሳሌም ኪድይብ ከሎ፡ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቲ
ንበይኖም ናብ መገዲ ወሰዶም በሎም ድማ፡ [18] እንሆ፡ ናብ የሩሳሌም ንድይብ አሎና፡ ወዲ ሰብ ከኣ
ንሊቃውንቲ ኻህናትን ንጸሓፍትን ኣሕሊፎም ኪህብዎ፡ ሞትውን ኪፈርዱሉ እዮም። [19] ኬላግጹሉን
ኪገርፍዎን ኪሰቕልዎን፡ ነህዛብ ኣሕሊፎም ኪህብዎ እዮም፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንስእ እዩ። [20]
ሽው ኣደ ደቂ ዘብዴዎስ ምስ ደቃ መጸት፡ ተደፊኣ ድማ ካብኡ ገለ ለመነት። [21] ንሱ ኸኣ፡ እንታይ
ትደልዪ፧ በላ። ንሳ፡ እዞም ክልተ ደቀይ ኣብታ መንግስትኻ ሓደ ብየማንካ፡ ሓደ ብጸጋምካ ኪቕመጡ፡
በል፡ በለቶ። [22] የሱስ ግና መሊሱ፡ እትልምንዎ ኣይትፈልጡን። እታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋዕ ክትሰትዩኽ
ትኽእሉዶ፧ በለ። ንሳቶም ንኽእል፡ በልዎ። [23] ንሱ ኸኣ፡ ጽዋኤይሲ ኽትሰትዩ ኢኹም፡ ኣብ የማነ
ጸጋመይ ምቕማጥ ግና ነቶም ኣቦይ ዘዳለወሎም እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኮንኩን ዝህቦ፡ በሎም። [24] እቶም
ዓሰርተ እዚ ሰሚዖም፡ በቶም ክልተ ኣሕዋት ተናደዱ። [25] የሱስ ከኣ ጸዊዑ በሎም፡ ነህዛብ ሸየምቶም
ከም ዚገዝእዎም፡ ዓበይቶም ድማ ከም ዚመልክዎም፡ ትፈልጡ ኢኹም። [26] ኣባታትኩም ግና ከምዚ
ኣይኮነን፡ እቲ ኻባታትኩም ዓብዪ ምኻን ዚደልስ፡ ግዙእኩም ደኣ ይኹን። [27] እቲ ኻባታትኩም
ምርኡይ ኪኸውን ዚደሊ ኸኣ፡ ባርያኹም ይኹን። [28] ወዲ ሰብ ድማ፡ ኬገልግልን ህይወቱ ምእንቲ
ብዙሓት በጃ ኺሕልፍን እምበር፡ ኬግልግልዎ ኢሉ ኣይመጸን። [29] ካብ ያሪኮ ኺወጹ ኸለው፡ ብዙሓት
ህዝቢ ሰዐብዎ። [30] እንሆ ድማ፡ ክልተ ዕዉራት ኣብ ወሰን መገዲ ተቐሚጦም ነበሩ። የሱስ ይሐልፍ ከም
ዘሎ ምስ ሰምዑ፡ ጐይታይ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረና፡ እናበሉ ጨርሑ። [31] እቶም ህዝቢ ግና፡ ስቕ በሉ፡
ኢሎም ገንሕዎም። ንሳቶም ከኣ፡ ጐይታይ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረና፡ ኢሎም ከኣ ኣዝዮም ጨርሑ። [32]
የሱስ ከኣ ደው ኢሉ ጸዊዑ፡ እንታይ ክገብረልኩም ትደልዩ አሎኹም፧ በሎም። [33] ንሳቶም፡ ጐይታይ፡
ኣዒንትና ኪኽፈታ፡ በልዎ። [34] የሱስ ደንጊጹሎም ኣዒንቶም ተንከየ፡ ብኡብኡ ረኣዩ ሰዐብዎ ድማ።

## ምዕራፍ 21

[1] ናብ የሩሳሌም ምስ ቀረቡ እሞ ኣብ ጥቓ ደብረ ዘይቲ ናብ ዘላ ቤትፋጌ ምስ መጹ፡ ሽው የሱስ ካብ
ደቀ መዛሙርቱ ኽልተ ለኣኸ። [2] በሎም ከኣ፡ ኣብ ቅድሜኹም ናብ ዘላ ዓዲ ኺዱ፡ ብኡብኡ እስርቲ
ኣድጊ፡ ዒሉኣ ድማ ምስኣ፡ ክትረኽቡ ኢኹም። [3] ፈቲሕኩም ከኣ ኣምጽኡለይ። ሓደኳ ገለ እንተ
በለኩም፡ ጐይታ ይደልዮም ኣሎ፡ በልዎ። ብኡብኡ ድማ ኪሰዶም እዩ። [4-5] እቲ ብነብዪ፡ ንጓል ጽዮን፡
እንሆ ንጉስኪ፡ ለዋህ፡ ኣብ ኣድግን ኣብ ዒሉ ኣድጊ ጽዕነትን ተወጢሑ ናባኺ ይመጽእ አሎ፡ በልዋ፡
ዚብል ኪፍጸም እዚ ኹሉ ኾነ። [6] ደቀ መዛሙርቱ ኸይዶም፡ ከምቲ የሱስ ዝኣዘዞም ገበሩ። [7] ኣድግን
ዒሉን ኣምጽኡሉ፡ ክዳውንቶም ድማ ጠይቂ ገበሩሎም፡ ንሱ ኸኣ ተወጥሔ። [8] ካብቶም ህዝቢ ዚበዝሑ፡
ክዳውንቶም ኣብ መገዲ ኣንጸፉ፡ ካልኦት ድማ ካብ ኣእዋም ጨጨንፈሩ እናሰልዑ፡ ኣብ መገዲ ነስነሱ።
[9] ቀቅድሚኡ ዚኸዱ፡ ደድሕሪኡውን ዚስዕቡ ህዝቢ ዓው ኢሎም፡ ሆሳእና ንወዲ ዳዊት፡ ብስም
እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ፡ ሆሳእና ኣብ ኣርያም፡ በሉ። [10] ናብ የሩሳሌም ምስ ኣተዉ እታ ኸተማ
ብዘላ፡ መን እዩ እዚ፧ ኢላ ተበዐደት። [11] እቶም ህዝቢ ድማ፡ እዚ ነብዪ የሱስ፡ በዓል ናዝሬት ናይ ገሊላ
እዩ፡ በሉ። [12] የሱስ ናብ መቕደስ ኣምላኽ ኣተወ፡ ንዅሎም ሸየጥትን ተሻየጥትን ከኣ ካብ ቤት መቕደስ
ኣውጽኤ፡ ሰደቓ ሸረፍትን መንበር ሸየጥቲ ርግብን ደንከለ። [13] ንሱ ኸኣ፡ ቤተይ ቤት ጸሎት ትብሀል፡
ጽሑፍ እዩ፡ ንስኻትኩም ግና ብዓቲ ጐሓሉት ገበርኩምዋ፡ በሎም። [14] ዕዉራትን ሓንካሳትን ከኣ ናብ
ቤት መቕደስ ናብኡ መጹ፡ ንሱ ድማ ኣሕወዮም። [15] ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ነቲ ዝገበሮ

ተኣምራት ቈልዑውን ኣብ ቤተ መቕደስ ዓው ኢሎም፡ ሆሳእና ንወዲ ዳዊት፡ ኪብሉን ምስ ረኣዩ፡
ተናደዱ እሞ፡ 16 እዚኣቶም ዚብልዎስ ትሰምዕዶ ኣሎኻ፧ በልዎ። የሱስ ከኣ፡ እወ፡ ካብ ኣፍ ቈልዑን
ሕጻናትን ምስጋና ኣዳሎኻ፡ ዚብልሲ እኳዶ ኣየንበብኩምን፧ በሎም። 17 ሐዲግዎም ናብ ወጻኢ እታ
ኸተማ ናብ ቢታንያ ወጸ፡ ኣብኡ ከኣ ሐደረ። 18 ንግሆ ናብ ከተማ ኺምለስ ከሎ ድማ፡ ጠመየ። 19 ኣብ
ጥቓ መገዲ ሓንቲ ኦም በለስ ርእዩ ናብኣ ኸደ። ቈጽሊ ጥራይ እምበር፡ ሓንቲ እኳ ኣይረኸበላን እሞ፡
ደጊም ኣባኺ ንሓዋሩ ፍረ ኣይፍረ፡ በላ። እታ ኦም በለስ ብኡብኡ ነቐጸት። 20 ደቀ መዛሙርቱ ርእዮም፡
እዛ ኦም በለስ ከመይ ኢላ ሕጂ ንሕጂ ነቐጸት፧ ኢሎም ተገረሙ። 21-22 የሱስ መሊሱ በሎም፡ እምነት
እንተ ኣልያትኩም እሞ እንተ ዘይተዋላወልኩም፡ እዛ ኦም በለስ ከም ዝኾነቶ ጥራይ ኣይትገብሩን፡ ነዚ
ኸረን እኳ፡ ተንስእ፡ ናብ ባሕሪ ውደቕ፡ ትብልዎ እሞ ከም ኪኸውን፡ ኣሚንኩም ብጸሎት እትልምንዎ
ዅሉ ኽምእትረኽቡ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 23 ናብ ቤተ መቕደስ እትዩ ኪምህር ከሎ፡ ሊቃውንቲ
ኻህናት ዓበይቲ ህዝብን ናብኡ መጺኦም፡ በየናይ ስልጣን እዚ ትገብር ኣሎኻ፧ እዚ ስልጣን እዝስ መን
ሀበካ፧ በልዎ። 24 የሱስ ከኣ መሊሱ በሎም፡ ኣነ ድማ ሓንቲ ነገር ክሐተኩም። እዚኣ እንተ ነገርኩምኒ፡ ኣነ
ኸኣ በየናይ ስልጣን እዚ ከም ዝገብር ክነግረኩም እየ። 25 ጥምቀት ዮሃንስ ካበይ እያ፧ ካብ ሰማይዶ
ወይስ ካብ ሰብ፧ ንሓድሕዶም ተዛራረቡ፡ እናበሉ፡ ካብ ሰማይ እንተ በልናዮ፡ ከመይ ደኣ
ዘይትኣመንኩምዎ፧ ኪብለና እዩ። 26 ካብ ሰብ እንተ በልናዮ ግና፡ ንዮሃንስ ኵሎም ከም ነብዪ ይቈጽርዎ
ኣለዉ እሞ፡ ንህዝቢ ንፈርህ። 27 ንየሱስ ከኣ፡ ኣይንፈልጥን፡ ኢሎም መለሱሉ። ንሱ ድማ፡ ኣነ ኸኣ በየናይ
ስልጣን እዚ ኸም ዝገብር፡ ኣይነግረኩምን፡ በሎም። 28 ግናኸ እንታይ ይመስለኩም፧ ሓደ ሰብኣይ ክልተ
ደቂ ነበርዎ። ናብቲ ቀዳማይ ቀሪቡ፡ ወደይ፡ ሎሚ ናብ ኣታኽልቲ ወይነይ ውፈር እሞ ዕየ፡ በሎ። 29
ንሱ፡ እምቢ፡ ኢሉ መለሰ። ደሓር ግና ተጣዒሱ ወፈረ። 30 ናብቲ ኻልኣይ ቀሪቡ ኸምኡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡
ሕራይ ጐይታይ፡ ኢሉ መለሰ። ግናኸ ኣይወፈረን። 31 ካብ ክልቲኦም ኣያናዮም እዩ ፍቓድ ኣቦኡ ዝገበረ፧
ንሳቶም ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ፡ በልዎ። የሱስ በሎም፡ ተገውትን ኣመናዝርን ናብታ መንግስቲ ኣምላኽ
ቅድሜኹም ከም ዚኣትዉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 32 ዮሃንስ ብቕኑዕ መገዲ ናባኻትኩም መጺኡ
ነበረ እሞ፡ ተገውትን ኣመናዝርን ደኣ ኣመንዎ እምበር፡ ንስኻትኩምሲ ኣይኣመንኩምዎን። ንስኻትኩም
ግና ነዚ ርኢኹም፡ ክትኣምንዎ ደሓር እኳ ኣይተጠዐስኩምን። 33 ካልእ ምስላ ስምዑ፡ ኣታኽልቲ ወይኒ
ዝተኸለ ብዓል ቤት ነበረ። ሓጹር ሐጸሮ፡ መሓምተሊ ድማ ኲዐተሉ፡ ግምቢውን ሰርሓሉ፡ ንዐየይቲ
ብመገስ ሂብዎ ከኣ፡ ናብ ካእል ሃገር ገሸ። 34 ጊዜ ፍርያት ምስ በጽሔ፡ ፍሪኡ ኺምጽኡሉ ባሮት
ናብቶም ዓየይቲ ለኣኸ። 35 እቶም ዓየይቲ ኸኣ ነቶም ባሮቱ ሒዞም ንገሊኦም ወቕዕዎም፡ ንገሊኦም
ቀተልዎም፡ ንገሊኦም ብእምኒ ጨፍለቕዎም። 36 ከም ብሓድሽ ካብቶም ቀዳሞት ዚበዝሑ ኻልኦት ባሮት
ለኣኸ። ንኣታቶም ድማ ከምኡ ገበርዎም። 37 መወዳእታኡ፡ ንወደይሲ ይሐፍርዎ ግዲ ይኾኑ፡ ኢሉ ወዱ
ለኣኸ። 38 እቶም ዓየይቲ ነቲ ወዱ ምስ ረኣይዎ፡ ንሓድሕዶም፡ እዚ እቲ ወራሲ እዩ። ንዑ፡ ንቕተሎ እሞ
ርስቱ ንሐዝ፡ ተባሃሀሉ። 39 ሒዞም፡ ካብ ቦታ ኣታኽልቲ ወይኒ ንወጻኢ ኣውጺኦም ቀተልዎ። 40 እቲ
ጐይታ ኣታኽልቲ ወይኒ ምስ መጸ፡ ነቶም ዓያይቲ እቲኦም እንታይ ኪገብሮም እዩ፧ 41 ንሳቶም ከኣ፡
ነቶም ክፉኣት ብኽፉእ የጥፍኦም፡ እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ፡ ፍሪኡ በብጊዜኡ ንዚህቡ ኻልኦት ዓየይቲ
ብመገስ ይህቦም፡ በልዎ። 42 የሱስ ከኣ በሎም፡ እቶም ነደቕቲ ዝነዐቕዎ እምኒ፡ ንሱ ርእሲ መኣዝን ኰነ፡
እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ኰነ፡ ኣብ ኣዒንትናውን ግሩም እዩ፡ ዚብል ጽሑፋትዶ ከቶ ኣየንበብኩምን፧ 43
ስለዚ ድማ እታ መንግስቲ ኣምላኽ ካባኻትኩም ክትውሰድ፡ ፍሪኣ ንዚፈሪ ህዝቢውን ክትወሀብ እያ፡
እብለኩም ኣሎኹ። 44 ኣብቲ እምኒ እቲ ዝወደቐ ይስብር፡ እቲ እምኒ እቲ ዝወደቐ ድማ ይጭፍለቕ። 45

ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን ምስላታቱ ምስ ሰምዑ፡ ብዛዕባኦም ከም እተዛረበ ኣስተውዐሉ። [46]
ኪሕዝዎ ድማ ደለዩ፡ ግናኸ ኣብቶም ህዝቢ ኸም ነብዪ ነበረ እሞ፡ ንኣታቶም ፈርሁ።

# ምዕራፍ 22

[1] የሱስ መለሰ፡ ከም ብሓድሽ ድማ ብምስላ ከምዚ ኢሉ ነገሮም፡ [2] መንግስተ ሰማያት ንወዱ መርዓ
ዝገበረ ንጉስ ትመስል። [3] ነቶም ናብ መርዓ እተዐደሙ ኺጽውዑ ባሮቱ ለኣኸ፡ ግናኸ ምምጻእ ኣበዩ። [4]
ከም ብሓድሽ ድማ ነቶም ዕዱማት፡ እንሆ፡ መኣደይ ኣዳሎኹ፡ ሰባሕተይን ኣስዋረይን ሐሪደ፡ ኵሉ
ተዳልዩ አሎ እሞ፡ ናብ መርዓ ንዑ፡ በልዎም፡ ኢሉ ኻልኦት ባሮት ለኣኸ። [5] ንሳቶም ግና ሸለል ኢሎም፡
ገሊኦም ናብ ግራቶም፡ ገሊኦም ከኣ ናብ ነግዶም ከዱ። [6] እቶም ዝተረፉ ኸኣ ነቶም ባሮቱ ሒዞም
ኣዋረድዎም ቀተልዎምን። [7] እቲ ንጉስ ተቘጥዔ፡ ጭፍራኡ ልኢኹ፡ ነቶም ቀተልቲ ኣጥፍኤ፡ ከተማኦም
ድማ ተኰሰ። [8] ሽዑ ንባሮቱ፡ እቶም ዕዱማት ደኣ ዘይብቑዓት ኰይኖም እምበር፡ መርዓስ እተዳለወ እዩ፡
[9] ደጊም ናብ ቀራና መገዲ ኺዱ እሞ ንዝረኸብኩምዎ ዘበለ ናብ መርዓ ጸውዑ፡ በሎም። [10] እቶም ባሮት
እቲኦም ናብ መገዲ ወጺኦም፡ ንዝረኸብዎ ዘበለ፡ ንሕሱማትን ንሕያዎትን፡ ኣከብዎም። እቲ ዳስ መርዓ
ብተቐማጦ መልኤ። [11] እቲ ንጉስ ነቶም ተቐማጦ ኺርኢ ምስ ኣተወ፡ ክዳን መርዓ ዘይተኸደነ ሰብኣይ
ረኣየ እሞ፡ [12] ኣታ ዓርከይ፡ ከመይከ ኽዳን መርዓ ዜብልካ ናብዚ ኣቶኻ፧ በሎ። ንሱ ግና ኣጽቀጠ። [13]
ሽዑ እቲ ንጉስ ንገላዉኡ በሎም፡ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ኣሲርኩም፡ ኣብ ናይ ወጻኢ ጸልማት ደርብይዎ።
ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ይኸውን። [14] ጽዉዓትሲ ብዙሓት እዮም፡ ሕሩያት ግና ሒደት
እዮም። [15] ድሕርዚ ፈሪሳውያን ከይዶም ከመይ ገይሮም ብዘረባ ኸም ዚጠልፍዎ፡ ተማኸሩ። [16] ደቀ
መዛሙርቶም ምስ ሄሮድሳውያን ገይሮም ከምዚ ኢሎም ለኣኹ፡ መምህር፡ ሓቀኛ ምዃንካ፡ መገዲ
እግዚኣብሄርውን ብሓቂ ከም እትምህር፡ ንፈልጥ አሎና፡ ገጽ ሰብ ርኢኻ ኣይተዳሉን ኢኻ እሞ፡ ነዝን
ነትን እኳ ኣይትብልን ኢኻ። [17] እንታይ ይመስለካ፡ ንቄሳር ግብሪ ምሃብሲ ተፈቒዱ ድዩ ወይስ
ኣይፋሉን፧ እስኪ ንገረና። [18] የሱስ ክፍኣቶም ፈሊጡ፡ ኣቱም ግቡዛት፡ ስለ ምንታይ ትፍትኑኒ አሎኹም፧
እቲ ወርቂ ግብሪ ኣርእዩኒ፡ በሎም። [19] ንሳቶም ከኣ ዲናር ኣምጽኡሉ። [20] ንሱ ድማ፡ እዚ መልክዑን
ጽሕፈቱን ናይ መን እዩ፧ በሎም። [21] ንሳቶም፡ ናይ ቄሳር፡ በልዎ። ሽዑ ንሱ፡ እምበኣርሲ ናይ ቄሳር
ንቄሳር፡ ናይ ኣምላኽውን ንኣምላኽ ሀቡ፡ በሎም። [22] እዚ ምስ ሰምዑ፡ ተገረሙ፡ ሐዲጎምዎ ድማ
ሐለፉ። [23] በታ መዓልቲ እቲኣ፡ ትንሳኤ የልቦን፡ ዚብሉ ሰዱቃውያን ናብኡ መጹ። [24] ከምዚ ኢሎም ድማ
ሐተትዎ፡ መምህር፡ ሙሴ፡ ሰብኣይ ውሉድ ከይሐደገ እንተ ሞተ፡ ነታ ሰበይቱ እቲ ሓዉ ይውረሳ፡ ነቲ
ሓዉ ኸኣ ዘርኢ የቑመሉ፡ በለ። [25] ኣባናኸስ ሾብዓተ ኣሕዋት ነበሩ። እቲ ዓብዪ ሰበይቲ ምስ ኣእተወ፡
ሞተ፡ ውሉድ ኣይነበሮን እሞ፡ ነታ ሰበይቱ ንሓዉ ሐደጋ። [26] ከምኡ ኸኣ ኻልኣይ፡ እቲ ሳልሳይውን፡
ክሳዕ እቲ ሳብዓይ። [27] ድሕሪ ኹሎም ድማ እታ ሰበይቲ ሞተት። [28] ኵሎም ኣእትዮምዋ ነይሮም እዮም
እሞ፡ ብትንሳኤ ኻብዞም ሾብዓተ እዚኣቶም፡ ሰበይቲ መኖም ክትከውን እያ፧ [29] የሱስ መለሰ በሎምውን፡
መጻሕፍቲ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጥኩም ትጋገዩ አሎኹም። [30] ኣብ ትንሳኤስ ከም መላእኽቲ
ኣምላኽ ኣብ ሰማይ እዮም እምበር፡ ኣየእትዉን ኣየተኣታትዉን። [31-32] ብዛዕባ ትንሳኤ ምዉታት ግና፡
እቲ ካብ ኣምላኽ፡ ኣነ ኣምላኽ ኣብርሃም ኣምላኽ ይስሃቅን ኣምላኽ ያእቆብን እየ፡ እተባህለልኩምዶ
ኣየንበብኩምን፧ እግዚእብሄር ኣምላኽ ህያዋን እዩ እምበር፡ ኣምላኽ ምዉታት ኣይኰነን። [33] እቶም ህዝቢ
ኸኣ እዚ ሰሚዖም ብትምህርቱ ተደነቑ። [34] ፈሪሳውያን ድማ ኣፍ ሰዱቃውያን ከም ዝዐጸወ ሰሚዖም፡

ብሓደ ተኣከቡ። [35-36] ካባታቶም ሓደ ምሁር ሕጊ ኪዕዘቦ ደልዩ፡ መምህር፡ እታ ዓባይ ትእዛዝ ኣብ ሕጊ
ኣየነይቲ እያ፧ ኢሉ ሐተቶ። [37] የሱስ ከኣ፡ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ንፍስኻን
ብኹሉ ሓሳባትካን ኣፍቅሮ፡ [38] እዚእ እታ ዓባይን ቀዳመይትን ትእዛዝ እያ። [39] እታ እትመስላ ኻልኣይታ
ድማ፡ ንብጻይካ ኸም ንፍስኻ ኣፍቅሮ፡ እያ። [40] ኣብዘን ክልተ ትእዛዛት እዚኣተን ብዘሎ ሕግን ነብያትን
ተሰቒሉ ኣሎ፡ በሎ። [41] ፈሪሳውያን ተኣኪቦም ከለዉ፡ የሱስ፡ [42] ብዛዕባ ክርስቶስ እንታይ ይመስለኩም፧
ወዲ መንከ እዩ፧ ኢሉ ሐተቶም። ንሳቶም ወዲ ዳዊት፡ በልዎ። [43-44] ንሱ ኸኣ፡ ዳዊት ደኣ፡ ጐይታ
ንጐይታይ፡ ንጸላእትኻ ኣብ ትሕቲ እግርኻ ኽሳዕ ዘድርሶም፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡ በሎ፡ እናበለ፡
ብመንፈስ ከመይ ኢሉ ጐይታይ ይብሎ፧ [45] እምበኣርሲ ዳዊት ጐይታይ ካብ ዚብሎ፡ ከመይ ኢሉ ደኣ
ወዱ ይኸውን፧ በሎም። [46] ሓደ እኳ ቓል ኪመልሰሉ ኣይከኣለን። ካብታ መዓልቲ እቲኣ ከኣ ሓደ እኳ
ኺሐቶ ደፈሩ ብሕም ዝበለ የልቦን።

# ምዕራፍ 23

[1] ድሕርዚ ኸኣ የሱስ ነቶም ህዝብን ንደቀ መዛሙርቱን ተዛረቦም ከምዚ ኢሉ፡ [2] ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን
ኣብ መንበር ሙሴ ተቐሚጦም ኣለዉ። [3] ስለዚ ዚብሉኹም ኵሉ ግበሩን ሐልዉን፡ ግናኸ፡ ይብሉ ደኣ
እምበር፡ ኣይገብሩን እዮም እሞ፡ ከምቲ ግብሮም ኣይትግበሩ። [4] ከቢድን ምጽዋሩ ዘይምሽውን ጾር
ጠሚሮም፡ ንሰብ ኣብ ክሳዱ የሰክምዎ፡ ባዕላቶም ግና በጻብዖም ኪትንክይዎ እኳ ኣይፈትዉን። [5] ኵሉ
ግብሮም፡ ሰብ ምእንቲ ኺርእዮም ይገብሩ። ክታባውቶም የግፍሑ፡ ዘፈር ክዳውንቶምውን የንውሑ። [6]
ኣብ ምሳሕ ስፍራ ኽብሪ፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም ድማ ኣብ ኣውራ ምቕማጥ ይቕመጡ። [7] ኣብ ዕዳጋ
ኺሳለምዎም፡ ብሰብውን መምህራን ኪብሀሉ ይፈትዉ። [8] ንስኻትኩም ግና፡ መምህርኩም ሓደ እዩ
እሞ፡ መምህራን ኣይትብሀሉ፡ ንስኻትኩምሲ ኹልኹም ኣሕዋት ኢኹም። [9] ኣቦኹም፡ እቲ ኣብ ሰማይ
ዘሎ፡ ሓደ እዩ እሞ፡ ኣብ ምድሪ ንሓደ እኳ ኣቦይ ኣይትበሉ። [10] መራሒኹም ሓደ እዩ፡ ንሱ ኸኣ
ክርስቶስ እዩ እሞ፡ ንስኻትኩምሲ መራሕቲ ኣይትብሀሉ። [11] እቲ ኻባኻትኩም ዚበልጽሲ ግዙእኩም
ይኹን። [12] ርእሱ ዘልዐለ ኺሐስር፡ ርእሱ ዘትሐተ ኸኣ ልዕል ኪብል እዩ። [13] ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን
ፈሪሳውያንን፡ መንግስተ ሰማያት ንሰብ ትዐጽዉሉ፡ ንርእስኹም ኣይትኣትውዋን፡ ነቶም ኪኣትውዋ
ዚደልዩ ድማ ኪኣትዉ ኣይትሐድግዎምን ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። [14] ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን
ፈሪሳውያንን፡ ቤት መበለታት ትበልዑ፡ ንምኽንያትውን ጸሎት ተንውሑ ኣሎኹም። ስለዚ ዝገደድ
ፍርዲ ኽትቅበሉ ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። [15] ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ሓደ ጵሮሴሊት
ክትገብሩ ባሕርን ምድርን ትዞሩ፡ ምስ ኰነ ኸኣ ካዕበትኩም ወዲ ገሃነም ትገብርዎ ኢኩም እሞ፡
ወይለኹም። [16] ኣቱም ብቤት መቕደስ ዚምሕል ደሓን እዩ፡ ብወርቂ ቤት መቕደስ ንዚምሕል ግና ማሕላ
ይኹኖ፡ እትብሉ ዕዉራት መራሕቲ፡ ወይለኹም። [17] ኣቱም ደናቑርትን ዕዉራትን፡ ኣየናይ ይዐቢ፡
ወርቅዶ ወይስ እታ ንወርቂ እትቕድሶ ቤት መቕደስ፧ [18] ብመሰውኢ ዚምሕል ደሓን እዩ፡ በቲ ኣብ
ርእሲኡ ዘሎ ቍርባን ዚምሕል ግና ማሕላ ይኹኖ፡ ትብሉ። [19] ኣቱም ደናቑርትን ዕዉራትን፡ ኣየናይ
ይዐቢ፡ ቍርባንዶ ወይስ እቲ ንቍርባን ዚቕድሶ መሰውኢ፧ [20] እምብኣርስከ እቲ ብመሰውኢ ዚምሕል፡
ብእኡን ኣብ ልዕሊኡ ብዘሎ ኹሉን ይምሕል ኣሎ። [21] እቲ ኣቤተ መቕደስ ዚምሕል ከኣ፡ ብእኡን በቲ
ኣብኡ ዚነብርን ይምሕል እሎ። [22] እቲ ብሰማይ ዚምሕል፡ ዝፋን ኣምላኽን በቲ ኣብኡ ዚቕመጥን እዩ
ዚምሕል። [23] ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ካብ ጨና ኣዳም፡ ካብ ሽላን፡ ካብ ካሙን ዕሸር

ተውጽኡ፡ እቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ኣውራ ነገር፡ ፍርዲ፡ ምሕረት፡ እምነት ግና ትሐድጉ አሎኹም እሞ፡
ወይለኹም። እዚ ምግባር እቲውን ዘይምሕዳግ ይግባእ። [24] ኣቱም ቃርማ እተጽርዩ፡ ገመል ከኣ
እትውሕጡ ዕዉራት መራሕቲ። [25] ኣቱም ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ዝባን ዋንጫ መሬትን
ጻሕልን ትሐጽቡ፡ ውሽጡ ግና ከትርን ስስዔን ምሉእ እዩ እሞ፡ ወይለኹም። [26] ኣታ ዕዉር ፈሪሳዊ፡ ነቲ
ዋንጫ መሬትን ጻሕልን ዝባኑ ድማ ጽሩይ ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ቅድም ነቲ ውሽጡ ኣጽርዮ። [27] ኣቱም
ግቡዛት ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን፡ ወጻኢኡ ጽቡቕ ኰይኑ ዚርኤ፡ ውሽጡ ግና ኣዕጽምቲ ምዉታትን
ርኽሰትን ዝመልኤ ልቕሉቕ መቓብር ትመስሉ አሎኹም እሞ፡ ወይለኹም። [28] ከምኡ ድማ ንስኻትኩም
ብላዕሊ ንሰብ ጻድቃን መሲልኩም ትረኣይዎ፡ እቲ ውሽጥኹም ግና ግብዝናን ዓምጻን ምሉእ እዩ። [29]
ኣቱም ግቡዛት ጸሓትን ፈሪሳውያንን፡ መቓብር ነብያት ትሰርሑ፡ መቓብር ጻድቃንውን ትስልሙ
አሎኹም እሞ፡ ወይለኹም። [30] ብዘመን ኣቦታትና ነርና እንተ ንኸውንሲ፡ ኣብቲ ደም ነብያት
ኣይምተጻንበርናን፡ ትብሉ አሎኹም። [31] እምበኣርስኸ ደቂ ቐተልቲ ነብያት ምዃንኩም ባዕላትኩም
ትምስክሩ አሎኹም። [32] ንስኻትኩም መስፈር ኣቦታትኩም መልኡ። [33] ኣቱም ኣትማን፡ ውሉድ እቲ
መንደላይ ተመን፡ ከመይ ጌርኩምከ ኻብ ፍርዲ ገሃነም ክትመልቁ፧ [34] ስለዚ እንሆ፡ ነብያት ጠቢባንን
ጸሓፍትን እልእከልኩም አሎኹ። ንገሊኦም ትቐትሉን ትሰቕሉን፡ ንገሊኦም ከኣ ኣብ ቤት ጸሎትኩም
ትገርፉ፡ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲውን ትሰጒዎም አሎኹም። [35] እቲ ኻብ ደም ኣቤል ጻድቕ ጀሚሩ፡ ኽሳዕ ደም
እቲ ኣብ መንጎ ቤተ መቕደስን መሰውእን ዝቐተልኩምዎ ዘካርያስ ወዲ በራክያስ፡ ኣብ ምድሪ ዝፈሰሰ
ኹሉ ጻድቕ ደም ኣባኻትኩም ኪበጽሕ እዩ። [36] እዚ ኹሉ ነዚ ወለዶ እዚ ኸም ዚበጽሖ፡ ብሓቂ
እብለኩም አሎኹ። [37] የሩሳሌም፡ የሩሳሌም፡ ኣቲ ንነብያት እትቐትሊ፡ ነቶም ናባኺ እተላእኩ ብእምኒ
እትጭፍልቒ፡ ከምቲ ደርሆ ንጨጨውታ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፋ እትእከቦም፡ ክንደይ ሳዕከ ንደቅኺ
ኽእከቦም ዘይደሌኹ እሞ ኣቤኹም። [38-39] ደጊም፡ ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ፡ ክሳዕ
እትብሉ፡ ካብ ሕጂ ኣይክትርእዩንን ኢኹም እሞ፡ እንሆ፡ ቤትኩም ዐንያ ኽትተርፍ እያ፡ እብለኩም
አሎኹ።

# ምዕራፍ 24

[1] የሱስ ካብ ቤተ መቕደስ ወጺኡ ኺደ፡ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ህንጻ ቤተ መቕደስ ኬርእይዎ ናብኡ
ቐረቡ። [2] ንሱ ግና መሊሱ፡ እዚ ኹሉስ ትርእይዎዶ አሎኹም፧ ኣብዚ ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ
ኣይኪተርፍን እዩ፡ እብለኩም አሎኹ፡ በሎም። [3] ኣብ ደብረ ዘይቲ ተቐሚጡ ኸሎ፡ ደቀ መዛሙርቱ
ብሕት ኢሎም፡ እዚ መኣዝ ኪኸውን እዩ፧ ትእምርቲ ምምጻእካን መወዳእታ ዓለምንከ እንታይ እዩ፧
እስኪ ንገረና፡ እናበሉ ናብኡ ቐረቡ። [4] የሱስ መሊሱ በሎም፡ ሓደ እኳ ኸየስሕተኩም ተጠንቀቑ። [5] ኣነ
ክርስቶስ እየ፡ እናበሉ ብዙሓት ብስመይ ኪመጹ እዮም እሞ፡ ንብዙሓትውን ኬስሕቱ እዮም። [6] ውግእን
ወረ ውግእን ክትሰምዑ ኢኹም። ርኣዩ፡ ኣይትሰምብዱ፡ እዚ ኹሉ ኪኸውን ብግዲ እዩ፡ ግናኸ
መወዳእታ ገና እዩ። [7] ህዝቢ ናብ ህዝቢ፡ መንግስቲውን ናብ መንግስቲ ኺለዐል እዩ። ኣብ በቦታኡ ድማ
ጥሜትን ፌራን ምንቅጥቃጥ ምድርን ኪኸውን እዩ። [8] እዚ ኹሉ ግና መጀመርታ ቕልውላው እዩ። [9] ሽዑ
ንመከራ ኣሕሊፎም ኪህብኹምን ኪቐትሉኹምን እዮም። ብዛዕባ ስመይ ከኣ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ
ጽሉኣት ክትኰኑ ኢኹም። [10] ሽዑ ብዙሓት ኪዕንቀፉ፡ ንሓድሕዶም ኣሕሊፎም ኪዋሃሀቡ
ንሓድሕዶምውን ኪጻላልኡ እዮም። [11] ብዙሓት ነብያት ሓሶት ኪትንስኡ፡ ንብዙሓትውን ኬስሕቱ

እዮም። 12 ዓመጻ ስለ ዝበዝሔ ድማ፡ ናይ ብዙሓት ፍቕሪ ኽትዝሕል እያ። 13 እቲ ኽሳዕ መወዳእታ
ዚዕገስ ግና ኪድሕን እዩ። 14 እዚ ወንጌል መንግስቲ ኸኣ ንምስክር ኵሎም ኣህዛብ ኣብ ብዘላ ዓለም
ኪስበኽ እዩ፡ ሽው መወዳእታ ይመጽእ። 15 እቲ ብነብዪ ዳንኤል እተባህለ ናይ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብታ
ቅድስቲ ስፍራ ቈይሙ እንተ ርኤኹም፡  እቲ ዜንብብ የስተውዕል፡ 16 ሽው ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ
ኣኽራን ይህደሙ። 17 ኣብ ዝባን ናሕሲ ዘለዉ ኸኣ ካብ ቤቱ ገለ ኺማላእ ኣይውረድ። 18 ኣብ ወፍሪ ዘሎ
ድማ ክዳኑ ኺወስድ ንድሕሪት ኣይመለስ። 19 በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይሌኤን። 20-21
ሽው መከራ ኪኸውን እዩ፡ ከምኡ ዝበለ ኻብ መጀመርታ ዓለም ክሳዕ ሎሚ ዘይኰነ፡ ከቶ ድማ
ዘይከውን እዩ እሞ፡ እቲ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ወይ ብሰንበት ከይከውንሲ ለምኑ። 22 እተን
መዓልትታት እቲኤን እንተ ዘይሐጽራስ፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣይምደሐነን። ምእንቲ እቶም ሕሩያት ግና
እተን መዓልትታት እቲኤን ኪሐጽራ እየን። 23 ሽው ገለ፡ እንሆ ክርስቶስ ኣብዚ ወይ ኣብቲ፡ እንተ
በለኩም፡ ኣይትእመንዎ። 24 ናይ ሓሶት መሲሃትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪመጹ እዮም እሞ፡ እንተ
ተኻእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያት እኳ ኬስሕቱ፡ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም። 25 እንሆ፡
ኣቐዲመ ነገርኩኹም። 26 እንሆ፡ ኣብ በረኻ ኣሎ፡ እንተ በሉኹም፡ ኣይትውጽኡ፡፡ ኣብ ቤት ኣሎ እንተ
በሉኹምውን፡ ኣይትእመኑ። 27 በርቂ ኻብ ምብራቕ በሪቑ ኽሳዕ ምዕራብ ከም ዚርኤ፡ ምጽኣት ወዲ ሰብ
ከኣ ከምኡ ኪኸውን እዩ። 28 ኣብቲ ገምቢ ዘለዎ፡ ኣሞራታት ከኣ ናብኡ ኺእከቡ እዮም። 29 ድሕሪ
መከራ እታ ቕነ እቲኣ ግና ብኡብኡ ጸሓይ ክትጽልምት፡ ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን እያ፡
ከዋኽብቲ ኻብ ሰማይ ኪወድቁ፡ ሓይልታት ሰማያትውን ኬንቀጥቅጡ እዮም። 30 ሽው ትእምርቲ ወዲ
ሰብ ኣብ ሰማይ ኪርኤ፡ ሽው ድማ ኵሎም ዓሌታት ኣህዛብ ምድሪ ኺበኽዩ። ንወዲ ሰብ ከኣ ብብዙሕ
ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኺርእይዎ እዮም። 31 ንመላእኽቱ ኸኣ ብብርቱዕ ደሃይ
መለኸት ኪልእኮም፡ ነቶም ሕሩያቱ ኻብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ወሰን ሰማይ ካብ ኣርባዕቲኡ
መኣዝን ንፋሳት ኪእክብዎም እዮም። 32 ምስላኡ ኻብ ኦም በለስ ተምሀሩ። ጨነፍራ ምስ ለምለመ፡
ቈጽላውን ምስ ጠጥዔ፡ ክረምቲ ኸም ዝቐረበ ትፈልጡ ኢኹም። 33 ከምኡ ድማ ንስኻትኩም እዚ ኹሉ
ምስ ርኤኹም፡ ናብ ኣፍ ቤት ምቕራቡ ፍለጡ። 34 እዚ ኹሉ ኽሳዕ ዚኸውን፡ እዚ ወለዶ እዚ ኸም
ዘይሐልፍ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 35 ሰማይን ምድርን ኪሓልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሓልፍን እዩ። 36
ስለ እታ መዓልቲ እቲኣን ስለ እታ ሰዓት እቲኣን ግና ብዘይ ኣቦ በይኑ፡ መላእኽቲ ሰማይ እንተ ኹኑ እኳ
ወይስ ወዲ፡ ዚፈልጣ የልቦን። 37 ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኾነ፡ ምጽኣት ወዲ ሰብ ከኣ ከምኡ ኪኸውን
እዩ። 38 ከምቲ ብቕድሚ ማይ ኣይሂ ዝነበረ፡ ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ፡ ይበልዑን
ይሰትዩን የእትዉን የተኣታትዉን ነበሩ እሞ፡ 39 ማይ ኣይሂ መጺኡ፡ ንኹሉ ኽሳዕ ዜጥፍእ ኣይፈለጡን።
ምጽኣት ወዲ ሰብ ድማ ከምኡ ኪኸውን እዩ። 40 ሽው ኽልተ ኣብ ግራት ኪኾኑ እዮም፡ እቲ ሓደ
ኺውሰድ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ኪሕደግ እዩ። 41 ክልተ ኣንስቲ ኣብ መጥሓን ኪጥሕና እየን፡ ሓንቲ ኽትውሰድ፡
ሓንቲ ድማ ክትሕደግ እያ። 42 ስለዚ ጐይታኹም በየነይቲ ሰዓት ከም ዚመጽእ ኣይትፈልጡን ኢኹም
እሞ፡ ንቕሑ። 43 ግናኸ ፍለጡ፡ በዓል ቤት ነታ ሰራቒ ዚመጸላ ጊዜ እንተ ዚፈልጣስ፡ ምነቕሔ፡ ቤቱ
ኽትኰዐት ከላውን ስቕ ኣይምበለን። 44 ስለዚ ወዲ ሰብ ብዘይሐሰብኩምዎ ጊዜ ኺመጽእ እዩ እሞ፡
ንስኻትኩም ድማ እተዳለኹም ኩኑ። 45 እቲ ጐይታኡ ምግቦም በብግዜኡ ኺህቦም ኢሉ ኣብ ስድራ
ቤቱ ዚሸሞ እሙን ኣስተውዓሊ ባርያ መን ኰን እዩ፧ 46 ጐይታኡ ኺመጽእ ከሎ፡ ከምዚ እናገበረ ዚረኽቦ
ባርያ ብጹእ እዩ። 47 ኣብ ኵሉ ገንዘቡ ኸም ዚሸሞ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 48 እቲ ኽፉእ ባርያ ግና
ብልቡ፡ ጐይታይ ይድንጒ እዩ፡ እንተ በለ፡ 49 ነቶም ብጾቱ ባሮት ምውቃዖም ይጅምር፡ ምስቶም

ሰኸርቲውን ይበልዕን ይሰትን። 50 ጐይታ እቲ ባርያ እቲ፡ ንሱ ብዘይተጸበያ መዓልቲ ብዘይፈላጣ
ጊዜውን ኪመጽእ እዩ። 51 ኣብ ክልተ ኺጭንድሖ፡ ዕድሉ ድማ ምስ ግቡዛት ኪገብሮ፡ ኣብኡ ኸኣ
ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪኸውን እዩ።

# ምዕራፍ 25

1 ሽዑ መንግስተ ሰማያት፡ ቀቀንዴለን ሒዘን መርዓዊ ኪቕበላ ዝወጻ ዓሰርተ ደናግል ትመስል። 2
ካባታተን ከኣ እተን ሓሙሽተ ዓያሱ፡ እተን ሓሙሽተ ግና ለባማት እየን። 3 እተን ዓያሱ፡ ቀቀንዴለን
ወሲደን፡ ዘይቲ ኣይተማልኣን። 4 እተን ለባማት ግና መምስ ቀንዴለን ዘይቲ ኣብ ጢናኤን ተማልኣ። 5
መርዓዊ ምስ ደንጐየ ግና፡ ኵለን ትኽስ በላ ደቀሳውን። 6 ፍርቂ ለይቲ ግና ጭራሕ ምራሕ ኰነ፡ እንሆ፡
መርዓዊ ኸትቅበላ ውጹ። 7 ሽዑ እተን ደናግል ኵለን ተንሲኤን፡ ቀቀንዴለን ኣዳለዋ። 8 እተን ዓያሱ ነተን
ለባማት፡ ቀንዲልና ኺጠፍእ ኢሉ እሞ፡ ካብ ዘይትኽን ሀባና፡ በላኤን። 9 እተን ለባማት ከኣ፡
ኣይፋልናን፡ ንኣናን ንኣኻትክንን እንተ ዘይኣኽለኽ። ናብቶም ዚሸጡ ደኣ ኺዳ እሞ ንርእስኽን ዕድጋ፡
ኢለን መለሳለን። 10 ኪዕድጋ ምስ ከዳ፡ እቲ መርዓዊ መጸ። እተን ተዳልየን ዝጸንሓ ምስኡ ናብ መርዓ
ኣተዋ፡ ማዕጾ ድማ ተዐጽወ። 11 ደሓር እተን ዝተረፋ ደናግል መጺኤን፡ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ክፈተልና
ኹታ፡ በላ። 12 ንሱ ግና መሊሱ፡ ብሓቂ እብለክን አሎኹ፡ ኣይፈልጠክንን እየ፡ በለን። 13 እምብኣርሲ
እታ ወዲ ሰብ ዚመጽላ መዓልትን ሰዓትን ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ፡ ንቕሑ። 14 መገሻ ኸም ዝደለየ
ሰብ እሞ፡ ንገላዉኡ ጸዊዑ ገንዘቡ ዝሀቦም እዩ። 15 ንነፍሲ ወከፎም ከከም ዓቕሞም፡ ንሓደ ሓሙሽተ
መክሊት፡ ንሓደ ኻልኣይ ክልተ፡ ነቲ ሳልሳይ ድማ ሓደ ሂቡዎም ገሸ። 16 እቲ ሓሙሽተ መክሊት
ዝወሰደ፡ ብኣብኣ ኸይዱ ብእኡ ነገደ፡ ሓሙሽተ ኻልእ መክሊት ድማ ወሰኸ። 17 እቲ ብዓል ክልተ ኸኣ
ከምኡ ኽልተ ኻልእ ረብሔ። 18 እቲ ሓደ ዝወሰደ ግና ከይዱ ምድሪ ኹዒቱ ወርቂ ጐይታኡ ሐብኤ። 19
ድሕሪ ብዙሕ ዘመን ከኣ ጐይታ እቶም ባሮት መጸ፡ ምሳታቶምውን ተጻባጸበ። 20 እቲ ሓሙሽተ መክሊት
ዝወሰደ ካልእ ሓሙሽተ መክሊት ኣምጽኤ፡ ጐይታይ፡ ሓሙሽተ መክሊት ሂብካኒ፡ እንሆ፡ ካልእ
ሓሙሽተ መክሊት ረባሕኩ፡ እናበለ ቐረበ። 21 እቲ ጐይታኡ፡ ሕራይ፡ ኣታ ሕያዋይ እሙን በርያ፡
ብሒደት ተእሚንካ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ብዙሕ ክሸመካ እየ፡ ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ፡ በሎ። 22 እቲ ኽልተ
መክሊት ዝወሰደ ድማ ቀሪቡ፡ ጐይታኡ፡ ክልተ መክሊት ሀብካኒ፡ እንሆ፡ ክልተ ኻልእ መክሊት
ረባሕኩ፡ በለ። 23 ጐይታኡ ኸኣ፡ ሕራይ፡ ኣታ ሕያዋይ፡ እሙን ባርያ፡ ብሒደት ተኣሚንካ ኢኻ እሞ፡
ኣብ ብዙሕ ክሸመካ እየ፡ ናብ ሓጐስ ጐይታኻ እቶ። 24 እቲ ሓደ መክሊት ዝወሰደ ድማ ቀሪቡ፡
ጐይታይ፡ ዘይዘራእካዮ እትዐጽድ፡ ዘይበተንካዮውን እትእክብ ጽኑዕ ሰብኣይ ምዃንካ ፈሊጠ እሞ፡ 25
ፈሪሄ ኸድኩ፡ ነቲ መክሊትካ ኣብ ምድሪ ሐባእክዎ፡ እንሆ ገንዘብካ፡ በሎ። 26 እቲ ጐይታኡ ግና መሊሱ
በሎ፡ ኣታ ኽፉእ ሃካይ ባርያ፡ ዘይዘራእክዎ ኸም ዝዐጽድ፡ ዘይበተንክዎ ኸኣ ከም ዝእክብ ፈሊጥካ
አሎኻ። 27 እምብኣርሲ እቲ ገንዘበይ ንሰረፍቲ ክትህቦም ምተገብኣካ ነይሩ፡ ኣነ ኸኣ መጺኤ ምስ ወለዱ
ምወሰድክዎ። 28 ደጊም እቲ መክሊት ኣግድፍዎ እሞ፡ ነቲ ዓሰርተ መክሊት ዘለዎ ሀብዎ። 29 ንዘለዎ ዘበለ
ኹሉ ይውሀቦ ይወሰኾውን። ነቲ ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ የግድፍዎ ደኣ። 30 ነዚ ዘይጠቅም ባርያ ግና
ኣብ ናይ ወጻኢ ጸልማት ደርብይዎ። ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን ኪኸውን እዩ። 31 ግናኸ ወዲ
ሰብ ብኽብሩ ምስ መጸ፡ ኵሎም መላእኽቲውን ምስኡ፡ ሽዑ ኣብ ዝፋን ክብሩ ይቕመጥ። 32 ኵሎም
ኣህዛብ ድማ ኣብ ቅድሚኡ ይእከቡ። ንሱ ኸኣ፡ ጓሳ ነባጊዕ ካብ ኣጣል ከም ዚፈላልየን፡ ካብ

ነንሓድሕዶም ይፈላልዮም። 33 ነተን ኣባጊዕ ኣብ የማን፡ ነተን ኣጣል ድማ ኣብ ጸጋሙ የቐመን። 34 ሽዑ
እቲ ንጉስ ኣብ የማኑ ንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ናይ ኣቦይ ብሩኻት፡ ንዑ፡ እቲ ኻብ ምስራት ዓለም
እተዳለወልኩም መንግስቲ ውረሱ። 35 ጠምየ ነበርኩ እሞ፡ ኣብላዕኩምኒ። ጸሚኤ፡ ኣስቴኹምኒ። ገይሸ፡
ተቐበልኩምኒ። 36 ዐሪቀ፡ ከደንኩምኒ። ሐሚመ፡ በጻሕኩምኒ። ተኣሲረ፡ መጻእኩምኒ። 37 ሽዑ እቶም
ጻድቃን ይመልስሉ፡ ጐይታይ፡ መኣዝ ጠሚኻ ርኤናካ እሞ ኣብላዕናካ፧ ወይ ጸሚእካስ ኣስቴናካ፧ 38
መኣዝከ ጋሻ ኰንካ ርኤናካ ኣሞ ተቐበልናካ፧ ወይ ዐሪቕካስ ከደንናካ፧ 39 መኣዝከ ሐሚምካ ርኤናካ ወይ
ተኣሲርካስ በጻሕናካ፧ ይብሉ። 40 እቲ ንጉስ ከኣ፡ እቲ ኻብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዝገበርኩምሉ
ንኣይ ከም ዝገበርኩምለይ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ ይመልሰሎም። 41 ድሕርዚ ኣብ
ጸጋሙንዘለዉ ይብሎም፡ ኣቱም ርጉማት፡ ካባይ ርሐቑ፡ ናብቲ ንሰይጣንን ንመላእኽቱን እተዳለወ ናይ
ዘለኣለም ሓዊ። 42 ጠምየ ነብርኩ እሞ፡ ኣየብላዕኩምንን። ጸሚኤ፡ ኣየስቴኹምንን። 43 ገይሸ፡
ኣይተቐበልኩምንን። ዐሪቐ፡ ኣይከደንኩምንን። ሐሚመ፡ ተኣሲረ፡ ኣይበጻሕኩምንን። 44 ሽዑ ንሳቶም፡
ጐይታይ፡ መኣዝ ጠሚኻ ርኤናካ፡ ወይ ጸሚእካ፡ ወይ ጌሽካ፡ ወይ ዐሪቕካ፡ ወይ ሐሚምካ፡ ወይ
ተኣሲርካ፡ ዘየገልገልናካ፧ ኢሎም ይመልስሉ። 45 ሽዑ ንሱ፡ እቲ ኻብዞም ናእሽቱ ንሓደ ዘይገበርኩምሉ
ንኣይ ከም ዘይገበርኩምለይ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ ይመልሰሎም። 46 እዚኣቶም ናብ ናይ
ዘለኣለም ስቓይ፡ ጻድቃን ግና ናብ ዘለኣለም ህይወት ኪኸዱ እዮም።

# ምዕራፍ 26

1 ኰነ ድማ፡ የሱስ እዚ ነገርዚ ኹሉ ምስ ወድኤ፡ ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፡ 2 ድሕሪ ኽልተ መዓልቲ
ፋስጋ ምዃኑ ትፈልጡ ኣሎኹም፡ ንወዲ ሰብ ድማ ኪስቀል፡ ነህዛብ ኣሕሊፎም ኪህብዎ እዮም። 3 ሽዑ
ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ዓበይቲ ህዝብን ኣብ ኣዳራሽ ቀያፋ ዚብሀል ሊቀ ኻህናት ተኣከቡ። 4
ንየሱስ ብተንኰል ኪሕዝዎን ኪቕትልዎን ድማ ተማኸሩ። 5 ግናኸ፡ ኣብ ህዝቢ ጋሮ ምእንቲ
ኸይትንስእሲ፡ ብበዓል ኣይኹን፡ በሉ። 6 የሱስ ኣብ ቢታንያ ኣብ ቤት ስምኦን፡ እቲ ለምጻም፡ ከሎ፡ 7
ሓንቲ ሰበይቲ፡ ክቡር ቅዱይ ቅብኢ ዝመልኤ ቢልቃጥ ሒዛ፡ ናብኡ መጸት። ኣብ መኣዲ ተቐሚጡ
ኸሎ ድማ፡ ኣብ ርእሱ ኣፍሰሰቶ። 8 ደቀ መዛሙርቱ እዚ ርእዮም፡ እዚ ኸንድዚ ዚኣክል ጥፍኣትከ
ንምንታይ እዩ፧ 9 ንብዙሕ ተሸይጡስ፡ ንድኻታት ግዳ ምተዋህበ ነይሩ፡ ኢሎም ተናደዱ። 10 የሱስ ግና
ፈሊጡ በሎም፡ እዛ ሰበይቲ ጽቡቕ ግብሪ ገይራትለይ ኣላ እሞ፡ ስለምንታይ ተጕህይዋ ኣሎኹም፧ 11
ድኻታትሲ ኹሉ ግዜ ምሳኻትኩም እዮም፡ ኣነ ግና ኵሉ ጊዜ ምሳኻትኩም ኣይነብርን። 12 እዚ ኣብ
ርእሰይ ዘፍሰሰቶ ቕዱይ ቅብኢ ግና ንምቕባረይ ከተዳልወኒ እያ ዝገበረቶ። 13 እዚ ወንጌል እዚ ኣብ
እተሰብኮ ዘበለ ኣብ ኵላ ዓለም እዚ ንሳ ዝገበረቶ ንመዘከሪኣ ኸም ዚንገር፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 14
ሽዑ ኻብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፡ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ዚብሃል፡ ናብ ሊቃውንቲ ኻህናት ከይዱ፡ 15
ኣነ ንኣኻትኩም ኣሕሊፈ ክህቦስ፡ እንታይ ትህቡኒ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ ሰላሳ ቕርሺ መዘኑሉ። 16
ካብኡ ሒዙ ኣሕሊፉ ኺህቦ ምሹእ ጊዜ ይደሊ ነበረ። 17 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ በዓል ቕጫ እቶም ደቀ
መዛሙርቲ ናብ የሱስ መጺኦም፡ ገንሸል ፋስጋ ኽትበልዕስ ኣበይ ከነዳልወልካ ትደሊ፧ በልዎ። 18 ንሱ
ድማ በለ፡ ናብ ከተማ ናብ እከለ ኪዱ እሞ፡ ጊዜይ ቀረበት፡ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ከኣ ፋስጋ ኣባኻ
ኽፍስግ፡ ይብል ኣሎ መምህር፡ በልዎ። 19 እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ የሱስ ከም ዝኣዘዞም ገበሩ፡
ገንሸል ፋስጋውን ኣዳለዉ። 20 ምስ መሰየ፡ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ ደቀ መዛሙርቲ ኣብ መኣዲ

ተቐመጡ። 21 ኪበልዑ ኸለዉ ኸኣ፡ ካባኻትኩም ሓደ ኸም ዜትሕዘኒ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡
በሎም። 22 ንሳቶም ከኣ ብዙሕ ጕሃዩ፡ በብሓደውን፡ ጐይታይ፡ ኣነዶ ዀን እኸውን፧ ኪብልዎ ጀመሩ። 23
መሊሱ በሎም፡ እቲ ኢዱ ምሳይ ኣብ ጻሕሊ ዚጠልቕ፡ ንሱ እዩ ዜትሕዘኒ። 24 ወዲ ሰብሲ፡ ከምቲ
እተጻሕፈሉ፡ ይኸይድ። ግናኸ ነቲ ወዲ ሰብ ብእኡ ዚተሐዝ ሰብኣይ ወይለኡ። እቲ ሰብኣይ እትስ እንተ
ዘይውለድ ምሔሾ ነይሩ። 25 እቲ ዘትሐዞ ይሁዳ ድማ መምህር፡ ኣነዶ ዀን እየ፧ ኢሉ መለሰ። ንሱ ኸኣ፡
ንስኻ በልካ፡ በሎ። 26 ኪበልዑ ኸለዉ፡ የሱስ እንጌራ ኣልዐለ፡ ባሪኹ ቈሪሱ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቱ
ሂብዎም፡ እዚ ስጋይ እዩ፡ ውሰዱ፡ ብልዑ፡ በሎም። 27-28 ጽዋእ ኣልዒሉ ኣመስጊኑ ድማ ከምዚ እናበለ
ሀቦም፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዚፈስስ ዘሎ ናይ ሓድሽ ኪዳን ደመይ እዩ እሞ፡ ካብዚ
ኵልኹም ስተዩ። 29 ድሕሪ ሕጂ ኸሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብታ መንግስቲ ኣቦይ ምሳኻትኩም ሓድሽ
ክሳዕ ዝሰትዮ፡ ካብዚ ፍረ ወይኒ እዚ ከቶ ኸም ዘይሰቲ፡ እብለኩም አሎኹ። 30 መዝሙር ምስጋና ምስ
ዘመሩ፡ ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ። 31 ሽዑ የሱስ፡ ንዃሳ እወቕዖ፡ እተን ኣባጊዕ መጓሰ ድማ ፋሕ ይብላ፡
ተጽሒፉ አሎ እሞ፡ በዛ ለይቲ እዚኣ ኵላትኩም ብኣይ ክትዕቀፉ ኢኹም። 32 ምስ ተንሳእኩ ግና፡ ናብ
ገሊላ ክቕድመኩም እየ፡ በሎም። 33 ጴጥሮስ ከኣ፡ ኵሎም እኳ ብኣኻ እንተ ተዐንቀፉ፡ ኣነስ ከቶ
ኣይዕንቀፍን እየ፡ ኢሉ መለሰሉ። 34 የሱስ ከኣ፡ በዛ ለይቲ እዚኣ ደርሆ ኸይነቀወ፡ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ
ኢኻ፡ ኢለ ብሓቂ እብለካ አሎኹ፡ በሎ። 35 ጴጥሮስ፡ ምሳኻ ንሙማት እንተ ዀነውን፡ ከቶ
ኣይክሕደካን እየ፡ በሎ። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ኵላቶም ከምኡ በሉ። 36 ድሕርዚ የሱስ ምሳታቶም
ጌተሴማኔ ናብ እትብሀል ቦታ ኸደ። ንደቀ መዛሙርቱ ድማ፡ ናብቲ ኸይደ ኸሳዕ ዝጽሊ፡ ኣብዚ
ተቐመጡ፡ በሎም። 37 ንጴጥሮስን ንኽልቲኦም ደቂ ዘብዴዎስን ተማልኤ፡ ኪጕህን ኪትክዝን ጀመረ። 38
ሽዑ፡ ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ኣዝያ ጕህያ ኣላ፡ ኣብዚ ኹኑ ምሳይውን ንቕሑ፡ በሎም። 39 ቅሩብ ርሕቕ ኢሉ
ብገጹ ተደፊኡ ጸለየ በለውን፡ ኣቦይ፡ ዚከኣል እንተ ዀይኑስ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣ ኻባይ ትሕለፍ። ግናኸ
ንስኻ ኸም እትደልዮ እምበር፡ ኣነ ኸም ዝደልዮ ኣይኹን። 40 ናብ ደቀ መዛሙርቱ መጸ፡ ደቂሶም
ረኸቦም። ንጴጥሮስ ድማ በሎ፡ ክሳዕ ክንድዚዶ ሓንቲ ሰዓት ምሳይ ክትነቕሑ ኣይትኽእሉን ኢኹም፧ 41
ናብ ፈተና ከይትኣትዉስ ንቕሑን ጸልዩን። መንፈስ ተዳልዩ አሎ፡ ስጋ ግና ድኹም እዩ። 42 ከም ብሓድሽ
ካልኣይ ሳዕ ከይዱ፡ ኣቦይ፡ እዚ ኸይሰቴኽዎ ኺሐልፍ ዘይከኣል እንተ ኰይኑስ፡ ፍቓድካ ይኹን፡ ኢሉ
ጸለየ። 43 ከም ብሓድሽ ድማ መጸ፡ ኣዒንቶም ባዕዚዙ ነበረ እሞ፡ ደቂሶም ረኸቦም። 44 ሐዲግዎም ከደ፡
ሳልሳይ ከኣ ከም ብሓድሽ እቲ ኢልዎ ዝነበረ ጸሎት ጸለየ። 45 ሽዑ ናብቶም ደቀ መዛሙርቱ መጺኡ፡
ደጊም ደቅሱን ዕረፉን። እንሆ፡ እታ ጊዜ በጺሔት፡ ወዲ ሰብ ከኣ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪተሐዝ እዩ። 46
ተንስኡ፡ ንኺድ። እቲ ዜትሕዘኒ፡ እንሆ፡ ቀሪቡ አሎ፡ በሎም። 47 እዚ ኺዛረብ ከሎ፡ እንሆ ይሁዳ፡
ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፡ መጸ። ምስኡ ድማ ካብ ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይቲ ህዝብን
ብዙሓት ሰብ፡ ኣስያፍን ኣባትርን ሒዞም መጹ። 48 እቲ ዜትሕዞ ኸኣ፡ እቲ ኣነ ዝስዕሞ ንሱ እዩ፡ ሐዝዎ፡
ኢሉ ምልክት ሀቦም። 49 ብኡብኡ ናብ የሱስ ቀሪቡ፡ ከመይ ኣምሴኻ፡ መምህር፧ ኢሉ ሰዐሞ። 50 የሱስ
ከኣ፡ ዓርከይ፡ ብምንታይ ነገር መጻእካ፧ በሎ። ሽዑ ቐሪቦም፡ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ንየሱስ ሐዝዎ። 51
እንሆ፡ ካብቶም ምስ የሱስ ዝነበሩ ሓደ ኢዱ ዘርጊሑ፡ ሰይፉ መልሔ፡ ንባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ ኸኣ
እዝኑ ቈረጾ። 52 ሽዑ የሱስ በሎ፡ ሰይፊ ዜልዕሉ ዅሎም ብሰይፊ ይጠፍኡ እዮም እሞ፡ ንሰይፍኻ ናብ
ቤታ ምለሳ። 53 ነቦይ ምልማኑ ዘይከኣለኒ፡ ንሱ ኸኣ ካብ ዓሰርተው ክልተ ለጌዎን ዚበዝሑ መላእኽቲ
ሕጂ ኺሰደለይ ዘይኽእልዶ ይመስለካ አሎ፧ 54 ከምዚ ኪኸውን ከም ዚግብኦስ፡ እቶም ጽሑፋት ደኣኸ
ኸመይ ኢሎም ይፍጸሙ፧ 55 ሽዑ የሱስ ነቶም ህዝቢ በሎም፡ ከም ንኸታሪዶ ኣስያፍን ኣባትርን

ሒዝኩም፡ ክትሕዙኒ ወጻእኩም፤ ዕለት ዕለት ኣብ ቤተ መቕደስ እናመሀርኩ ምሳኻትኩም ተቐሚጠ
ነይረ፡ ኣይሐዝኩምንን። [56] እዚ ዅሉ ግና እቶም መጻሕፍቲ ነብያት ምእንቲ ኺፍጸሙ ኾነ። ሽዑ እቶም
ደቀ መዛሙርቲ ዅሎም ሐዲጎምዎ ሀደሙ። [57] እቶም ንየሱስ ዝሐዝዎ ኸኣ ናብቲ ጸሓፍትን ዓበይትን
ናብ እተኣከቡሉ ናብ ቀያፋ፡ እቲ ሊቀ ኻህናት ወሰድዎ። [58] ጴጥሮስ ከኣ ርሕቕ ኢሉ ኽሳዕ ገዛ ሊቀ
ኻህናት ሰዐቦ። መወዳእታኡ ምእንቲ ኺርኢውን፡ ናብ ውሽጢ ኣትዩ ምስቶም ገላዉ ተቐመጠ። [59]
ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይቲ ብዘሎ እቲ ዋዕላን ከኣ ንየሱስ ኪቐትልዎ ምስክር ሓሶት ደለዩ፡
ኣይረኸቡን። [60] ብዙሓት ሐሰዮም ዚምስክሩ መጺኦም ክነሶምሲ፡ ሓንቲ እኳ ኣይረኸቡን። [61] እብ
መወዳእታኡ ግና ክልተ መጺኦም በሉ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ፡ ነታ መቕደስ ኣምላኽ ኣፍሪሰ ብሰለስተ
መዓልቲ ኽህንጻ እኽእል እየ፡ በለ። [62] እቲ ሊቀ ኻህናት ከኣ ተንሲኡ፡ እዚኣቶም ብዚምስክሩልካስ እኳዶ
ኣይትመልስን ኢኻ፤ በሎ። የሱስ ግና ስቕ በለ። [63] እቲ ሊቀ ኻህናት ከኣ፡ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ እንተ
ኼንካስ ክትነግረና፡ በቲ ህያው ኣምላኽ ኤምሕለካ አሎኹ፡ በሎ። [64] የሱስ ከኣ፡ ንስኻኳ በልካ። ድሕሪ
ሕጂ ግና ወዲ ሰብ፡ ኣብ የማን ሓይሊ ተቐሚጡ፡ ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ ኽትርእዩ ኢኹም፡
እብለኩም አሎኹ፡ በሎ። [65-66] ሽዑ እቲ ሊቀ ኻህናት ክዳውንቱ ቐዲዱ፡ ተጻረፈ፡ እንሆ ጸርፉ
ሰማዕኩም፡ ደጊምከ እንታይ ምስክር የድልየና፤ እንታይከ ይመስለኩም፤ በለ። ንሳቶም ከኣ፡ ሞት
ይግብኦ፡ ኢሎም መለሱ። [67] ድሕርዚ ኣብ ገጹ ጡፍ በሉሉ። ገሊኦም ድማ ጸፍዕዎ፡ [68] ዎ ክርስቶስ፡ መን
እዩ ዝወቕዓካ፤ እስኪ ተነበየልና፡ እናበሉ ወቕዕዎ። [69] ጴጥሮስ ብኀፍታ ወጺኡ ኣብ ውሽጢ ተቘሚጡ
ኸሎ፡ ሓንቲ ገረድ፡ ንስኻውን ምስ የሱስ ገሊላዊ ኔርካ ኢኻ፡ እናበለት ናብኡ ቐረበት። [70] ንሱ ኣብ
ቅድሚ ዅሎም፡ እዚ እትብልዮ ዘሎኺ ኣይፈልጦን፡ ኢሉ ኸሐደ። [71] ዓንቐጽ ምስ ወጸ ኸኣ፡ ሓንቲ
ኻልእ ረኣየቶ፡ ኣብኡ ንዘለዉ ድማ፡ እዚ ምስ የሱስ ናዝራዊ ነይሩ እዩ፡ በለቶም። [72] ንሱ ኸኣ፡ ነቲ
ሰብኣይ እቲ ኣይፈልጦን፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ ከሐደ መሐለውን። [73] ቅሩብ ምስ ጸንሔ፡ እቶም ደው
ኢሎም ዘለዉ ንጴጥሮስ፡ ንስኻ ብሓቂ ኻባታቶም ኢኻ፡ ዘረባኻውን የፍልጠካ አሎ፡ በልዎ። [74] ሽዑ
ንሱ፡ ነቲ ሰብኣይ እቲ ኣይፈልጦን እየ፡ ኢሉ ኺርገምን ኪምሕልን ጀመረ። ብኡብኡ ኸኣ ደርሆ ነቀወ።
[75] ጴጥሮስ ድማ ነቲ የሱስ፡ ደርሆ ኽይነቀወ፡ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ፡ ዝበሎ ቓል ዘከረ። ናብ
ወጻኢ ኺይዱውን፡ መሪር ብኽያት በኸየ።

# ምዕራፍ 27

[1] ምስ ወግሔ፡ ኵሎም ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይቲ ህዝብን ንየሱስ ኪቐትልዎ ተማኸሩ። [2] ኣሲሮም
ወሰድዎ እሞ ንጲላጦስ፡ ነቲ ሹም፡ ኣሕሊፎም ሀብዎ። [3-4] ሽዑ ይሁዳ፡ እቲ ዘትሐዞ፡ ተፈሪድዎ ምስ
ረኣየ፡ ተጣዕሰ እሞ፡ ንጹህ ደም ኣሕሊፈ ብምሃበይ በደልኩ፡ ኢሉ ነቲ ሰላሳ ቕርሺ ናብ ሊቃውንቲ
ኻህናት ዓበይቲ ህዝብን መለሶ። ንሳቶም ድማ፡ ንሕና እሞ እንታይ ገዲሱና፤ ባዕልኻ ትፈልጥ በልዎ። [5]
ንሱ ነቲ ኣቕራሽ ኣብ ቤተ መቕደስ ደርብይዎ ወጸ፡ ከይዱውን ተሐንቀ። [6] ሊቃውንቲ ኻህናት ነቲ
ኣቕራሽ ወሲዶም፡ ዋጋ ደም እዩ እሞ ናብ ሳጹን ምጽዋት ከነእትዎ ኣይግባእን፡ በሉ። [7] ተማኺሮም፡
መቓብር ኣጋይሽ ዚኸውን ግራት ሰራሕ መሬት ብእኡ ተሻየጡ። [8] ስለዚ ኸኣ እታ ግራት ክሳዕ ሎሚ
ግራት ደም ትብሀል ኣላ። [9-10] እቲ ብነብዩ ኤርምያስ፡ ዋጋ እቲ ደቂ እስራኤል ዝገምገምዎ ገምጋም ሰላሳ
ቕርሺ ወሰዱ። ከምቲ እግዚኣብሄር ዝኣዘዘኒ፡ ንግራት ሰራሕ መሬትውን ሀብዎ እተባህለ ሽዑ ተፈጸመ።
[11] የሱስ ኣብ ቅድሚ እቲ ሹም ደው በለ። እቲ ሹም ከኣ፡ ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ፤ ኢሉ ሐተቶ።

የሱስ ድማ፡ ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ፡ በሎ። 12 ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይትን ኪኸስዎ ኸለዉ፡ ንሱ
ብሕም ኢሉ ኣይመለሰን። 13 ሽዑ ጲላጦስ፡ ብኽንደይ ነገር ይምስክሩልካ ኸም ዘለዉዶ ኣይትስምዕን
ኢኻ፧ በሎ። 14 እቲ ሹም ብዙሕ ክሳዕ ዚግረም፡ ንሱ ሓንቲ ቓል እኳ ኣይመለሰን። 15 እቲ ሹም ነቶም
ህዝቢ በብበዓል ዝደለይዎ ሓደ እሱር ኪፍትሓሎም ከኣ ንቡር ነበሮም። 16 ሽዑ በርባን ዚብሀል ዉሩይ
ተኣሲሩ ነበረ። 17-18 ተኣኪቦም ከለዉ፡ ጲላጦስ ንየሱስ ብቕንኣት ኣሕሊፎም ከም ዝሀብዎ ፈሊጡ ነበረ
እሞ፡ ንመን ክፈትሓልኩም ትፈትዉ፡ ንበርባንዶ ወይስ ነቲ ክርስቶስ ዚብሀል የሱስ፧ በሎም። 19 ኣብ
መንበር ፍርዲ ተቐሚጡ ኸሎ ኸኣ፡ ሰበይቱ፡ ሎሚ ብሕልሚ ስሊኡ ብዙሕ መከራ ረኺቡኒ አሎ እሞ፡
ኣብ ነገር እቲ ጻድቕ እቲ ኣይትእቶ፡ ኢላ ለኣኸትሉ። 20 እቶም ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይትን ነቶም
እኩባት ህዝቢ ንበርባን ኪልምኑሉ፡ የሱስ ግና ኪቕተል፡ ሕራይ ኣበልዎም። 21 እቲ ሹም፡ ካብ
ክልቲኦምሲ ንመን ክፈትሓልኩም ትደልዩ፧ ኢሉ መለሰሎም። 22 ንሳቶም፡ ንበርባን፡ በሉ። ጲላጦስ፡
እምበኣርሲ ነቲ ክርስቶስ ዚብሀል የሱስከ እንታይ ክገብሮ፧ በሎም። ኵሎም፡ ይሰቐል፡ በሉ። 23 እቲ
ሹም፡ እንታይ ክፉእከ ገበረ፧ በሎም። ንሳቶም ግና፡ ይሰቐል፡ እናበሉ ምጭዳር ኣብዝሑ። 24 ጲላጦስ
ዘይምብዛሕ ጫውጫው እምበር፡ ገለ እኳ ኸም ዘይጠቅም ምስ ረአየ፡ ማይ ወሲዱ፡ ኣነ ኻብ ደም እዚ
ጻድቕ እዚ ንጹህ እየ፡ ባዕላትኩም ፍለጡ፡ እናበለ ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ኣእዳዉ ተሓጽበ። 25 ኵሎም
እቶም ህዝቢ ኸኣ፡ ደሙ ኣባናን ኣብ ደቅናን ይኹን፡ ኢሎም መለሱሉ። 26 ሽዑ ንበርባን ፈተሓሎም፡
ንየሱስ ግና ገሪፉ፡ ክስቀል ኣሕሊፉ ሀቦም። 27 ድሕርዚ ዓቀይቲ እቲ ሹም ንየሱስ ናብ ኣዳራሽ ፍርዲ
ኣእተውዎ፡ ንብዘሎ ጭፍራውን ናብኡ ኣከቡ። 28 ክዳኑ ቐንጢጦም ከኣ ቀይሕ ባርኖስ ከደንዎ። 29 ካብ
እሾኽ ኣኽሊል ተኒጎም ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ፡ ኣብ የማናይ ኢዱ ዘንጊ ኣትሒዞም ከኣ፡ ኣብ ቅድሚኡ
እናተደፍኡ፡ ዎ ንጉስ ኣይሁድ፡ ከመይ ኢኻ፧ ኢሎም ኣላገጹሉ። 30 ጡፍውን በሉሉ፡ እቲ ዘንጊ
ኣግዲፎም ከኣ ርእሱ ወቕዕዎ። 31 ምስ ኣላገጹሉ፡ ነቲ ባርኖስ ቀንጢጦም ክዳኑ ኸደንዎ፡ ኪሰቕልዎውን
ወሰድዎ። 32 ምስ ወጹ፡ ስምኦን ዚብልዎ ቀሬናዊ ሰብኣይ ረኸቡ። ንእኡ መስቀል ኪጸውር ብግዲ
በልዎ። 33 ጐልጎታ ኣብ እትብሀል ቦታ፡ ትርጓሜኣ ቦታ ኣዕጽምቲ ርእሲ፡ ምስ በጽሑ፡ 34 ምስ ሓሞት
እተሓሶ መጺጽ ወይኒ ኺሰቲ ሀብዎ። ጥዒሙ ኸኣ ምስታዩ ኣበየ። 35 ምስ ሰቐልዎ ኸኣ፡ ዕጭ
ኣውዲቖም፡ ክዳውንቱ ተማቐሉ። 36 ኣብኡ ተቐሚጦም ድማ ይሕልውዎ ነበሩ። 37 እዚ የሱስ ንጉስ
ኣይሁድ ኣዩ፡ ዚብል ጽሕፈት ክሱ ኣብ ልዕሊ ርእሱ ኣንበርዎ። 38 ሽዑ ኽልተ ኸተርቲ፡ ሓደ ብየማኑ ሓደ
ድማ ብጸጋሙ፡ ምስኡ ሰቐሉ። 39-40 ሓለፍቲ ድማ ርእሶም እናነቕነቑ፡ ኣታ ንቤት መቕደስ ኣፍሪስካስ
ብሰለስተ መዓልቲ እትህንጾ፡ ርእስኻ እስኪ ኣድሕን። ወዲ ኣምላኽ እንተ ኼንካስ፡ ካብ መስቀል
ውረድ፡ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ። 41 ከምኡ ድማ ሊቃውንትን ኻህናት፡ ምስ ጸሓፍትን ዓበይትን
ኰይኖም፡ የላግጹሉ ነበሩ፡ ከምዚ ኢሎም፡ 42 ንኻልኦት ኣድሓኖም፡ ርእሱ ግና ኬድሕን ኣይከኣለን።
ንጉስ እስራኤል እንተ ኾይኑስ፡ ሕጂ ኻብ መስቀል ይውረድ፡ ንሕና ኸኣ ብእኡ ኽንኣምን። 43
ብኣምላኽ ተኣሚኑ እዩ፡ ድማ ወዲ ኣምላኽ እየ፡ ኢሉ አሎ እሞ፡ ሰሚርዎ እንተ ኾይኑስ፡ ሕጂ
የድሕኖ። 44 እቶም ምስኡ እተሰቕሉ ኸተርቲውን ከምኡ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ። 45 ካብ ሳድሰይቲ ሰዓት
ጀሚሩ ኽሳዕ ታስዐይቲ ሰዓት ከኣ ብዘሎ ምድሪ ጸልመተ። 46 ብታስዐይቲ ሰዓት የሱስ፡ ኤሎሄ፡ ኤሎሄ፡
ላማ ሰበቕታኒ፧ ኢሉ ብዓብዩ ድምጺ ጨርሔ። እዚ ኸኣ፡ ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ፡ ንምንታይ ሐደግካኒ፧
ማለት እዩ። 47 ካብቶም ኣብኡ ደው ዝበሉ ሰሚዖም፡ እዝስ ንኤልያስ ይጽውዖ ኣሎ፡ በሉ። 48 ሽዑ ሓደ
ኻባታቶም ጐይዩ፡ ሰፍነግ ኣልዒሉ መጺጽ መሊኡ፡ ብዘንጊ ገይሩ ኣስተዮ። 49 ካልኦት ድማ፡ ኤልያስ
መጺኡ ዜድሕኖ እንተ ኾይኑስ፡ ክንርኢ፡ ሕደግዎ፡ በሉ። 50 የሱስ ከም ብሓድሽ ብዓብዩ ድምጺ

ጨርሔ፡ ነፍሱ ድማ ወጸት። 51 እንሆ፡ መጋረጃ ቤተ መቕደስ ካብ ላዕሊ ኽሳዕ ታሕቲ ኣብ ክልተ
ተተርተረ። ምድሪ ኣንቀጥቀጠት፡ ኣኻውሕ ድማ ተጨዱ። 52 መቓብራትውን ተኸፍቱ፡ ብዙሓት
ደቂሶም ዝነበሩ ስጋ ቅዱሳን ተንስኡ። 53 ድሕሪ ትንሳኤኡ ኻብ መቓብሮም ወጺኦም ናብታ ቅድስቲ
ኸተማ ኣተዉ፡ ንብዙሓት ከኣ ተራእዩ። 54 እቲ ሓለቓ ሚእትን እቶም ንምሕላው የሱስ ምስኡ ዝነበሩን
ከኣ ምንቅጥቃጥ ምድርን እቲ ዝዀነ ነገርን ምስ ረኣዩ፡ እዚ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ነይሩ፡ ኢሎም ኣዝዮም
ፈርሁ። 55 ኣብኡ ብዙሓት ኣንስቲ ርሕቕ ኢለን ይርእያ ነበራ። ንሳተን ንየሱስ ኬገልግላኦ ኻብ ገሊላ
ዝሰዐባኦ እየን። 56 ካባታተን ከኣ ማርያም ብዓልቲ መግደላን ማርያም ኣደ ያእቆብን ዮሴፍ ኣደ ደቂ
ዘብዴዎስን ነበራ። 57 ምስ መሰየ ድማ፡ ዮሴፍ ዚብሀል ሃብታም ሰብኣይ ካብ ኣርማትያስ መጸ። ንሱ ኸኣ
ወደ መዝሙር የሱስ ኰይኑ ነበረ። 58 ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ስጋ የሱስ ለመኖ። ሽዑ ጲላጦስ ኪህብዎ
ኣዘዘ። 59 ዮሴፍ ነቲ ስጋኡ ወሲዱ፡ ብሓድሽ በፍታ ገነዞ። 60 ንርእሱ ኢሉ ኣብ ከውሒ ኣብ ዘውቀሮ
ሓድሽ መቓብር ኣንበሮ፡ ነቲ ኣፍ መቓብር ከኣ ብዓብዪ እምኒ ዐጽዩዎ ኸደ። 61 ኣብኡ ማርያም ብዓልቲ
መግደላን እታ ኻልኣይቲ ማርያምን ኣብ ማዕዶ መቓብር ተቐሚጠን ነበራ። 62 ንጽብሒቱ ድሕርታ
ምድላው እትውዕል መዓልቲ ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን ናብ ጲላጦስ ተኣኪቦም፡ 63 ጐይታይ፡
እቲ መስሓቲ ብህይወቱ ኸሎ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኽትንስእ እየ፡ ከም ዝበለ ዘከርና። 64 ስለዚ ደቀ
መዛሙርቱ ብለይቲ መጺኦም ከይሰርቕዎ እሞ ንህዝቢ፡ ካብ ምውታት ተንሲኡ፡ ከይብሉ፡ ካብታ
ቐዳመይትስ እታ ዳሕረይቲ ስሕተት ከይትገድድ፡ እቲ መቓብር ክሳዕ ሰለስተ መዓልቲ ኺሕሎ ኣዝዝ፡
በልዎ። 65 ጲላጦስ፡ ሓለውቲ እነዉልኩም፡ ኬድኩም ከም ፍልጠትኩም ኣጽንዕኩም ሐልዉ፡ በሎም። 66
ከይዶም ነቲ መቓብር ኣጽንዕዎ፡ ነቲ እምኒ ድማ ምስቶም ሓለውቲ ኽኣዮም ማሕተም ገበሩሉ።

## ምዕራፍ 28

1 ድሕሪ ሰንበት፡ ወጋሕታ እታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፡ ማርያም ብዓልቲ መግደላን እታ ኻልኣይቲ
ማርያምን መቓብር ኪርእያ መጻ። 2 እንሆ፡ ዓብዪ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ካብ
ሰማይ ወሪዱ፡ ቅርብ ኢሉ ነቲ እምኒ ገልበጦ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኸኣ ተቐመጠ። 3 ትርኢቱ ኸም በርቂ፡ ክዳኑ
ድማ ጻዕዳ ኸም በረድ እዩ። 4 እቶም ሓለውቲ ንእኡ ፈሪሆም ራዕራዕ በሉ፡ ከም ዝሞቱውን ኰኑ። 5 እቲ
መልኣኽ መሊሱ ነተን ኣንስቲ በለን፡ ንስኻትክንሲ ነቲ እተሰቕለ የሱስ ትደልያ ኸም ዘሎኽን፡ እፈልጥ
ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሃ። 6 ከምቲ ዝበሎ፡ ተንሲኡ እዩ እሞ፡ ኣብዚ የሎን። ነታ ጐይታ ተነቢርዋ ዝነበረ
ስፍራ፡ ንዑ ርኣያ። 7 ቀልጢፍክን ደኣ ኺዳ እሞ፡ ካብ ምዉታት ከም ዝተንስኤ፡ ንደቀ መዛሙርቱ
ንገራኦም። እንሆ፡ ናብ ገሊላ ኪቕድመኩም እዩ፡ ኣብኡ ኽትርእይዎ ኢኹም። እንሆ፡ ነገርኩኹን። 8
ካብቲ መቓብር ብፍርሃትን ብብዙሕ ሓጐስን ቀልጢፈን ከዳ እሞ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ኺነግራኦም
ጐየያ። 9 ንደቀ መዛሙርቱ ኺነግራ ኪኸዳ ኸለዋ፡ እንሆ፡ የሱስ ተጓነፈን፡ ከመይ ኢኽን፡ ከኣ በለን።
ንሳተን ቅርብ ኢለን፡ እግሩ ሐዚን ሰገዳሉ። 10 ሽዑ የሱስ፡ ኣይትፍርሃ፡ ኪዳ እሞ ነሕዋተይ ናብ ገሊላ
ኪኸዱ ንገራኦም፡ ኣብኡውን ኪርእዩኒ እዮም፡ በለን። 11 ንሳተን ምስ ከዳ፡ እንሆ፡ ሓያሎ ኻብ ሓለውቲ
ናብ ከተማ መጺኦም፡ እቲ ዝዀነ ኹሉ ንሊቃውንቲ ኻህናት ነገርዎም። 12 ንሳቶም ምስ ዓበይቲ
ተኣኪቦም ተማኺሮ፡ ነቶም ዓቀይቲ ኸኣ ብዙሕ ወርቂ ሀብዎም እሞ፡ 13 ብለይቲ ደቂስና ኸሎና፡ ደቀ
መዛሙርቱ መጺኦም ሰሪቖምዎ፡ ኢልኩም ንገሩ። 14 እዚ ኣብቲ ሹም እንተ ተሰምዔ፡ ንሕና ኽነረድኦ፡
ንኣኻትኩም ድማ ከም ዘይትጕህዩ ኽንገብረኩም ኢና፡ በልዎም። 15 እቲ ወርቂ ተቐቢሎም፡ ከምታ

ዝመህርዎም ገበሩ። እዚ ዘረባ እዚ ኣብ ኣይሁድ ክሳዕ ሎሚ ይውረ ኣሎ። [16] እቶም ዓሰርተው ሓደ ደቀ
መዛሙርቲ ኸኣ፡ ናብቲ የሱስ ዝኣዘዞም ከረን ገሊላ ኸዱ። [17] ምስ ረኣይዎ፡ ሰገድሉ። ገሊኦም ግና
ተወላወሉ። [18] የሱስ ቀሪቡ ኸምዚ ኢሉ ተዛረቦም፡ ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኵሉ ስልጣን ተዋሂቡኒ
ኣሎ። [19-20] ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡
ዝኣዘዝኩኹም ኵሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ
መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።

# ወንጌል ማርቆስ

## ምዕራፍ 1

[1] መጀመርታ ወንጌል ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ። [2] ከምቲ ብነብዩ ኢሳይያስ፡ እንሆ፡
መገድኻ ዚጸርግ መልኣኸይ ቀቅድሜኻ እልእኽ ኣሎኹ፡ [3] ኣብ በረኻ ዚእውጅ ድምጺ ኣዋጅ ነጋሪ፡
ጐደና እግዚኣብሄር ጽረጉ መገዱውን ኣቕንዑ፡ ኢሉ እተጻሕፈ፡ [4] ከምኡ ኸኣ ዮሃንስ ኣብ በረኻ
እናኣጥመቐ፡ ንሕድገት ሓጢኣት ዚኸውን ጥምቀት ንስሓ እናሰበኸ መጸ። [5] ብዘላ ሃገር ይሁዳን ኵሎም
ሰብ የሩሳሌምን ናብኡ ይወጹ፡ ብሓጢኣቶም እናተናዘዙውን፡ ኣብ ርባ ዮርዳኖስ ብእኡ ይጥመቑ ነበሩ።
[6] ክዳን ዮሃንስ ከኣ ጸጒሪ ገመል፡ ዕጣቕ ሕቘኡውን ፈልቀኑ ነበረ፡ ኣንበጣ መዓር ሰንካልን ይምገብ
ነበረ። [7-8] ንሱ ኸኣ፡ ካባይ ዚብርትዕ፡ ኣነ ደኒነ ንምፍታሕ ስራኽ ኣሳእኑ ዘይበቅዕ፡ ድደሕረይ ይመጽእ
እሎ። ኣነ ብማይ ኤጥምቐኩም ኣሎኹ፡ ንሱ ግና ብመንፈስ ቅዱስ ኬጥምቐኩም እዩ፡ እናበለ ሰበኸ። [9]
በቲ ቕነ እቲ ኹነ፡ የሱስ ካብ ናዝሬት ናይ ገሊላ መጸ፡ ብዮሃንስ ከኣ ኣብ ዮርዳኖስ ተጠምቀ። [10] ካብ
ማይ ምስ ወጸ፡ ብኡብኡ ሰማያት ኪኸፈታ፡ መንፈስ ድማ ከም ርግቢ ኺወርድ ከሎ ረአየ። [11] ካብ
ሰማይ ከኣ፡ ብኣኻ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ ንስኻ ኢኻ፡ ዚብል ድምጺ መጸ። [12] መንፈስ ከኣ ብኡብኡ
ናብ በረኻ ኣውጽኦ። [13] ኣብቲ በረኻ ድማ፡ ሰይጣን እናፈተኖ፡ ኣርብዓ መዓልቲ ጸንሔ። ምስ ኣራዊት
ከኣ ነበረ፡ መላእኽቲውን ኣገልገልዎ። [14-15] ድሕሪ ማእሰርቲ ዮሃንስ ከኣ የሱስ ናብ ገሊላ መጸ እሞ፡ እቲ
ዘመን ተፈጸመ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ቀረበት፡ ተነስሑ ብወንጌልውን እመኑ፡ እናበለ ወንጌል
መንግስቲ ኣምላኽ ሰበኸ። [16] ኣብ ጥቓ ባሕሪ ገሊላ ኺመላለስ ከሎ፡ ስምኦንን እንድርያስ ሓዉን ገፈፍቲ
ዓሳ ነበሩ እሞ፡ መርበቦም ኣብ ባሕሪ ኺድርብዩ ኸለዉ ረኣዮም። [17] የሱስ ድማ፡ ገፈፍቲ ሰብ
ክገብረኩም እየ፡ ንዑ ስዓቡኒ፡ በሎም። [18] ብኡብኡ መርበቦም ሐዲጎም ሰዓብዎ። [19] ካብኡ ንእሽቶ ሕልፍ
ኢሉ ኸኣ፡ ያእቆብ ወዲ ዘብዴዎስን ዮሃንስ ሓዉን ኣብ ጃልባ መርበቦም ኬዕርዩ ኸለዉ ረኣዮም። [20]
ብኡብኡ ጸውዖም። ነቦኦም ዘብዴዎስ ምስ ግዙኣቱ ኣብ ጃልባ ሐዲጎም ሰዓብዎ። [21] ኣብ ቅፍርናሆም
ኣተዉ፡ ብኡብኡ ኸኣ ብሰንበት ናብ ቤት ጸሎት ኣትዩ መሃረ። [22] ከምቶም ጸሓፍቲ ዘይኰነስ፡ ስልጣን
ከም ዘለዎ ይምህሮም ነበረ እሞ፡ በቲ ምህሮኡ ተገረሙ። [23] ኣብ ቤት ጸሎቶም ድማ ርኹስ መንፈስ
ዘለዎ ሰብኣይ ነበረ፡ [24] ንሱ ኸኣ፡ የሱስ ናዝራዊ፡ ምሳኻ እሞ እንታይ ኣሎና፧ ከተጥፍኣናዶ መጺእካ፧ ኣታ
ናይ ኣምላኽ ቅዱስ፡ መን ምዃንካ ፈሊጠካ ኣሎኹ፡ እናበለ ጨደረ። [25] የሱስ ከኣ፡ ስቕ በል፡ ካብኡውን
ውጻእ፡ ኢሉ ገንሖ። [26] እቲ ርኹስ መንፈስ ከኣ ፈንጠርጠር ኣበሎ፡ ብዓብዩ ድምጺ እናጨደረ ኸኣ
ካብኡ ወጸ። [27] ኵሎም ድማ፡ እንታይ እዩ እዚ፧ እዝስ እንታይ ሓድሽ ምህሮኡ እዩ፧ ንርኹሳት መናፍስቲ
ብስልጣን ይእዝዞም፡ ንሳቶም ከኣ ይእዘዙሉ ኣለዉ፡ እናበሉ ንሓድሕዶም ክሳዕ ዚተሓታተቱ ሰምበዱ።
[28] ወሪኡ ድማ ብኡብኡ ናብ ኵላ ሃገር ገሊላ ወጸ። [29] ካብ ቤት ጸሎት ወጺኡ ድማ፡ ብኡብኡ ምስ
ያእቆብን ዮሃንስን ናብ እንዳ ስምኦንን እንድርያስን ኣተወ። [30] ሓማት ስምኦን ከኣ ዓሶ ሐሚማ ነበረት፡
ብኡብኡ ብዛዕባኣ ነገርዎ። [31] ንሱ ድማ ናብኣ ቐሪቡ፡ ኢዳ ሒዙ ኣተንስኣ። ብኡብኡ እቲ ዓሶ ሐደጋ፡
ንሳውን ኣገልገለቶም። [32] ምስ መሰየ፡ ጸሓይ ምስ ዓረበት፡ ሕማም ዘለዎም፡ ኣጋንንቲውን ዝሐደሮም
ኵሎም ናብኡ ኣምጽኡ። [33] ብዘላ እታ ኸተማ ኸኣ ኣብ ገበላ ተኣከበት። [34] ብዙሕ ዝዓይነቱ ሕማም
ዘለዎም፡ ብዙሓት ሕሙማት ከኣ ኣሕወየ፡ ብዙሓት ኣጋንንቲውን ኣውጽኤ፡ እቶም ኣጋንንቲ ኸኣ

ይፈልጥዎ ነበሩ እሞ፡ ኪዛረቡ ኣይፈቐደሎምን። [35] ኣንጊሁ ተንሲኡ፡ ገና ለይቲ ኸሎ፡ ወጸ። ናብ ጽምዊ
ቦታ ኸይዱ ድማ ኣብኡ ጸለየ። [36] ስምኦንን እቶም ምስኡ ዘለዉን ድማ ኪደልይዎ ኸዱ። [37] ምስ ረኸብዎ
ኸኣ፡ ኲሎም እምበር ይደልዩኻ ኣለዉ፡ በልዎ። [38] ንሱ ድማ፡ ምእንትዚ እየ ወጺኤ ዘሎኹ እሞ፡ ኣብ
ካልእ ኣብዚ ቐረባ ዓድታትውን ኣብኡ ኽሰብኽ፡ ንዑናይ ንኺድ፡ በሎም። [39] ኣብ ጸሎቶም እናሰበኸ
ኣጋንንቲውን እናእውጽኤ ኣብ ኲላ ሃገር ዞረ። [40] ሓደ ለምጻም ናብኡ መጸ፡ ተምበርኪኹ ድማ፡ እንተ
ትፈቱስ፡ ከተንጽሃኒ ትኽእል ኢኻ፡ እናበለ ለመኖ። [41] የሱስ ከኣ ደንገጸሉ፡ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ፡ ፈትየ
ኣሎኹ፡ ንጻህ፡ በሎ። [42] እዚ ምስ በለ፡ እቲ ለምጺ ብኡብኡ ሐደጎ፡ ነጽሄ ኸኣ። [43-44] የሱስ ድማ፡ ኪድ
ርእስኻ ንኻህን ኣርኢ፡ ክንዲ ዝነጻህካውን ንኣታቶም ምስክር ኪኾኖም፡ እቲ ሙሴ ዝኣዘዞ መባእ
ኣቕርብ እምበር፡ ንሓደ እኳ ገለ ኸይትነግር ተጠንቀቕ፡ ኢሉ ኣሕሚሙ ተዛሪቡ ሰደዶ። [45] ንሱ ግና
ወጺኡ ብዙሕ ኪሰብኽን ነቲ ነገር ኬውርዮን ጀመረ። የሱስ ከኣ ኣብ ወጻኢ ኣብ ጽምዊ ስፍራ ነበረ፡
ካብ ኲሉ ወገን ድማ ናብኡ ይመጹ ነበሩ እምበር፡ ብግልጺ ናብ ከተማ ኺኣቱ ኣይኰነሉን።

# ምዕራፍ 2

[1] ድሕሪ ሒደት መዓልቲ ድማ ኣብ ቅፍርናሆም ኣተወ እሞ ኣብ ቤት ከም ዘሎ ተሰምዔ። [2] ብኡብኡ
ወገፈ ምእካል ክሳዕ ዚስእኖም፡ ብዙሓት ተኣከቡ። ቃል ድማ ይነግሮም ነበረ። [3] ኣርባዕተ ሰብኣይ
ዝጾርዎ መጻጉዕ ናብኡ ኣምጽኡ። [4] ህዝቢ ስለ ዝበዝሐ፡ ናብኡ ምእታው እንተ ሰኣኑ ኸኣ፡ ናሕሲ እታ
ዘለዋ ቤት ኣፍረሱ። ምስ ኣፍረሱ፡ ነታ እቲ መጻጉዕ ደቂስዋ ዘሎ ዓራት ኣውረድዋ። [5] የሱስ ድማ
እምነቶም ርእዩ፡ ነቲ መጻጉዕ፡ ወደይ፡ ሓጢኣትካ ተሓዲጉልካ፡ በሎ። [6-7] ሓያሎ ኻብ ጸሓፍቲ ኣብኡ
ተቐሚጦም ነበሩ፡ ብልቦም ድማ፡ ስለምንታይ እዚ ኸምዚ ዝበለ ጸርፊ ይዛረብ ኣሎ፧ ብዘይ ሓደ
ኣምላኽከ መን እዩ ሓጢኣት ኪሐድግ ዚኽእል፧ ኢሎም ሐሰቡ። [8] የሱስ፡ ብልቦም እዚ ኸም ዝሐሰቡ፡
ብኡብኡ ብመንፈሱ ፈሊጡ በሎም፡ ንምንታይ እዚ ብልብኹም ትሐስቡ ኣሎኹም፧ [9] ኣያናይ ይቐልል፡
ነዚ መጻጉዕ ሓጢኣትካ ተሐዲጉልካ ምባልዶ፡ ወይስ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ኺድ፡ ምባል፧ [10]
ወዲ ሰብ ግና ሓጢኣት ኪሐድግ ኣብ ምድሪ ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ ነቲ መጻጉዕ፡ [11]
ንኣኻ እብለካ ኣሎኹ፡ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ናብ ቤትካ ኺድ፡ በሎ። [12] ብኡብኡ ተንሲኡ፡
ዓራቱ ኣልዒሉ፡ ኣብ ቅድሚ ዅሎም ወጸ፡ ኲሎም ተደነቑ እሞ፡ ከምዚ ዝበለስ ከቶ ኣይርኤናን፡ ኢሎም
ንኣምላኽ ኣመስገንዎ። [13] ከም ብሓድሽ ከኣ ናብ ገምገም ባሕሪ ወጸ፡ ኲሉ ህዝቢ ኸኣ ናብኡ መጸ፡
ይምህሮምውን ነበረ። [14] ኪሐልፍ ከሎ ድማ፡ ንሌዊ ወዲ እልፍዮስ ኣብ በሪ ተጎ ተቐሚጡ ረኣዮ እሞ፡
ስዓበኒ፡ በሎ። ተንሲኡ ኸኣ ሰዓቦ። [15] ኰነ ድማ፡ ንሱ ኣብ ቤቱ ኣብ መኣዲ ተቐመጠ፡ ዝሰዓብዎ
ብዙሓት ነበሩ እሞ፡ ብዙሓት ተገውትን ሓጥኣንን ድማ ምስ የሱስን ምስ ደቀ መዛሙርቱን ተቐመጡ።
[16] እቶም ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ምስ ተገውትን ምስ ሓጥኣንን ኪበልዕ ከሎ ምስ ረኣይዎ፡ ንደቀ
መዛሙርቱ፡ ስለምንታይከ ምስ ተገውትን ምስ ሓጥኣንን ዚበልዕን ዚሰትን፧ በልዎም። [17] የሱስ ሰሚዑ፡
ንሓኪምሲ ሕሙማት እምበር፡ ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም። ንሓጥኣን እምበር ንጻድቃን ክጽውዕ
ኣይመጻእኩን፡ በሎም። [18] ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስን ፈሪሳውያንን ይጾሙ ነበሩ። መጺኦም ከኣ፡ ደቀ
መዛሙርቲ ዮሃንስን ፈሪሳውያንን ይጾሙ ኣለዉ፡ ስለምንታይ ደኣ ደቀ መዛሙርትኻ ዘይጾሙ፧ በልዎ።
[19] የሱስ ከኣ በሎም፡ ኣዕሩኽ መርዓዊኸ፡ እቲ መርዓዊ ምሳታቶም ከሎ፡ ከመይ ኢሎም ኪጾሙ
ይኽእሉ? ይኾነሎም፧ መርዓዊ ምሳታቶም ከሎስ ኪጾሙ ኣይኾነሎም እዩ። [20] መርዓዊ ኻባታቶም ዚውሰደላ

መዓልቲ ደኣ ኽትመጽእ እያ እሞ፡ ሽዑ በታ መዓልቲ እቲኣ ኺጸሙ እዮም። 21 ቊራጽ ሓድሽ ዓለባ ኣብ
ብላይ ክዳን ዚልግብ ከቶ የልቦን። እንተ ዘይኰነስ እቲ ሓድሽ መልገባ ነቲ ብላይ ይቐዶ፡ ምቕዳዱ ኸኣ
ዝገደደ እዩ ዚኸውን። 22 ንሓድሽ ወይኒ ድማ፡ ኣብ ሓደስቲ ኣሕርብቲ የዕርቕዎ እምበር፡ ንሓድሽ ወይንስ
ኣብ ኣረገውቲ ኣሕርብቲ ዜዕርቖ የልቦን። እንተ ዘይኰነስ እቲ ሓድሽ ወይኒ ነቲ ኣሕርብቲ ይቐዶ፡ እቲ
ወይኒ ይፈስስ፡ ኣሕርብቲውን ይበላሾ። 23 ኰነ ድማ፡ የሱስ ብሰንበት ብማእከል ዝሩእ ግርሁ ኺሓልፍ
ከሎ፡ ደቀ መዛሙርቱ መገዲ እናኸዱ፡ ሰዊት ኪምንቍሱ ጀመሩ። 24 ፈሪሳውያን ድማ፡ ርኤ፡ ስለምንታይ
ብሰንበት ምግባሩ ዘይተፈቕደ ይገብሩ ኣለዉ፧ በልዎ። 25-26 ንሱ ኸኣ፡ ዳዊት ምስ ሰኣነን ምስ ጠመየን
ዝገበሮስ፡ ንሱን እቶም ምስኡ ዝነበሩን ብዘመን ኣብያታር ሊቀ ኻህናት ከመይ ኢሉ ናብ ቤት ኣምላኽ
ከም ዝኣተወ፡ ብጀካ ንኻህናት እምበር፡ ምብላዑ ዘይግባእ እንጌራ ምርኣይ ከም ዝበልዔ፡ ነቶም ምስኡ
ዝነበሩውን ከም ዝሃቦምሲ፡ እኳዶ ኣየንበብኩምን፧ በሎም። 27 ሰንበት ደኣ እያ ምእንቲ ሰብ እተፈጥረት
እምበር፡ ሰብሲ ምእንቲ ሰንበት ኣይኰነን። 28 እምበኣርከ ወዲ ሰብ ጐይታ ሰንበት ድማ እዩ፡ በሎም።

# ምዕራፍ 3

1 ከም ብሓድሽ ድማ ናብ ቤት ጸሎት ኣተወ፡ ኣብኡ ኸኣ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ ነበረ። 2 ምእንቲ
ኪኸስዎ ድማ፡ ብሰንበት እንተ ኣሕወዮ ይጸናጸንዎ ነበሩ። 3 ነቲ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ፡ ተንስእ እሞ ኣብ
ማእከል ደው በል፡ በሎ። 4 ንሱ ድማ፡ ብሰንበትሲ ጽቡቕ ምግባርዶ ወይስ ክፉእ ምግባር፡ ምድሓን
ነፍሲዶ ወይስ ምቕታላ ይግባእ፧ በሎም። ንሳቶም ግና ኣጽቀጡ። 5 በቲ ድርቅና ልቦም ጕህዩ፡ ብዅራ
ጠመቶም፡ ነቲ ሰብኣይ ከኣ፡ ኢድካ ዘርግሕ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ ዘርግሓ፡ እታ ኢዱውን ሐወየት። 6
ፈሪሳውያን ድማ ብኡብኡ ወጺኦም፡ ከመይ ገይሮም ከም ዜጥፍእዎ፡ ምስ ሄሮድሳውያን ኰይኖም
ብዛዕባኡ ተማኸሩ። 7 የሱስ ድማ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ባሕሪ ኣግለሰ። ካብ ይሁዳን ካብ ገሊላን ከኣ
ብዙሕ ህዝቢ ሰዓቦ። 8 ከመይ ዝበለ ዓብዪ ግብሪ ኸም ዝገበረ ምስ ሰምዑ፡ ካብ የሩሳሌም፡ ካብ
ኤዶምያስ፡ ካብ ማዕዶ ዮርዳኖስ፡ ካብ ምድሪ ጢሮስን ሲዶናን ብዙሓት ህዝቢ ናብኡ ተኣከቡ። 9 ንደቀ
መዛሙርቱ ድማ እቲ ህዝቢ ምእንቲ ኸይደፍኦ፡ ንእሽቶ ጃልባ ኺጽንሑሉ ነገሮም። 10 ንብዙሓት
ኣሕውይዎም ነበረ እሞ፡ ስለዚ ሕማም ዘለዎም ኵሎም ምእንቲ ኺትንክይዎ ኣብኡ ይወድቁ ነበሩ። 11
ርኹሳት መናፍስቲውን ምስ ረኣይዎ፡ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ ኢሎም እናጨደሩ ኣብ ቅድሚኡ
ተደፍኡ። 12 ንሱ ኸኣ ከየግህድዎ ብዙሕ ገንሖም። 13 ናብ ከረን ደይቡ ድማ፡ ንዝደለዮም ጸውዔ፡ ናብኡ
ኸኣ መጹ። 14 ምስኡምእንቲ ኪኾኑን ኪሰብኩ ምእንቲ ኺልእኮምን፡ ዓሰርተው ክልተ ገበሮም፡ 15
ሕሙማት ኪሕውዩ ኣጋንንቲውን ኪውጽኡ ድማ፡ ስልጣን ሀቦም። 16 ንስምኦን ከኣ ጴጥሮስ ኣውጽኣሉ፡
17 ያእቆብ ወዲ ዘብዴዎስ፡ ዮሃንስ ከኣ ሓዉ፡ ንኣታቶም ድማ ቦኣኔርጌስ ኣውጻሎም፡ ማለት፡ ደቂ
ነጐዳ። 18 እንድርያስን ፊልጶስን በርተሎሚዎስን ማቴዎስን ቶማስን ያእቆብ ወዲ እልፍዮስን ታዴዎስን
ስምኦን ብዓል ቃናን፡ 19 እቲ ዘትሐዞ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ድማ፡ 20 ናብ ቤት ከኣ ኣተወ፡ ምብላዕ እንጌራ
ኽሳዕ ዚስእኑ ኸኣ፡ ከም ብሓድሽ ብዙሕ ህዝቢ ተኣከበ። 21 ኣዝማዱ ምስ ሰምዑኡ፡ ተጸሊሉ ኢሎምዎ
ነበሩ እሞ፡ ኪሕዝዎ መጹ። 22 ካብ የሩሳሌም ዝወረዱ ጸሓፍቲ ድማ፡ ብኤልዜቡል ኣለዎ፡ ነጋንንቲ
ብሓለቓ ኣጋንንቲ እዩ ዜውጽኦም ዘሎ፡ በሉ። 23 የሱስ ጸውዖም፡ ብምስላታት ከኣ በሎም፡ ሰይጣን
ከመይ ገይሩ ንሰይጣን ኬውጽኦ ይኽእል፧ 24 መንግስቲ ንሓድሕዳ እንተ ተፋላለየት፡ እታ መንግስቲ
እቲኣ ኽትቀውም ኣይትኽእልን እያ። 25 ቤትውን ንሓድሕዳ እንተ ተፋላለየት፡ እታ ቤት እቲኣ

ኽትቀውም ኣይትኽእልን። 26 ሰይጣን ከኣ ንገዛእ ርእሱ እንተ ተጻረረን እንተ ተፋላለየን፡ ይጠፍእ
እምበር፡ ኪቕውም ኣይክእልን። 27 ሓደ እኳ፡ ቅድም ነቲ ሓያል እንተ ዘይኣሰረ፡ ናብ ቤት ሓያል ኣትዩ
ገንዘቡ ኺብዝብዝ ዚኽእል የልቦን። ሽዑ ኸኣ ቤቱ ይብዝብዝ። 28 ንደቂ ሰብ ኵሉ ሓጢኣትን ዝጸረፍዎ
ዘበለ ጸርፍን ኪሕደገሎም እዩ። 29 እቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዝጸረፈ ግና ሓጢያቱ ንዘለኣለም ይኹንዎ
እምበር፡ ንዘለኣለም ሕድገት ከም ዘይረክብ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። 30 ርኹስ መንፈስ ኣለዎ፡ ስለ
ዝበሉ እዩ እዚ ዝበሎም። 31 ኣዲኡን ኣሕዋቱን መጹ፡ ብወጻኢ ደው ኢሎም ከኣ ጸዋዕቲ ለኣኹሉ። 32
ብዙሕ ህዝቢ ኺቢብዎ ተቐሚጡ ነበረ እሞ፡ እንሆ ኣዴኻን ኣሕዋትካን ኣብ ወጻኢ ኣለዉ
ይደልይኻውን ኣለዉ፡ በልዎ። 33 መሊሱ፡ ኣደይ መን እያ፡ ኣሕዋተይከ እንመን እዮም፧ በሎም። 34 ነቶም
ከቢቦምዎ ተቐሚጦም ዘለዉ ጠሚቱ ኸኣ፡ ኣደይን ኣሕዋተይንሲ እነዉ። 35 ሓወይን ሓብተይን ኣደይንሲ
ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ዘበለ ዅሉ እዩ፡ በሎም።

# ምዕራፍ 4

1 ከም ብሓድሽ ድማ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኺምህር ጀመረ። ኣብቲ ባሕሪ ናብ ጃልባ ኣትዩ ኽሳዕ
ዚቕመጥ፡ ብዙሕ ህዝቢ ናብኡ ተኣከበ። ኵሉ እቲ ህዝቢ ኸኣ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ኣብ ምድሪ ነበረ። 2
ብብዙሕ ምስላታት ድማ መሃሮም፡ በቲ ምህሮኡ ኸኣ በሎም፡ 3 ስምዑ፡ እንሆ፡ ዘራኢ ኺዘርእ ወፈረ። 4
ኰነ ኸኣ፡ ኪዘርእ ከሎ፡ ገለ ኣብ ጥቓ መገዲ ወደቐ፡ ኣዕዋፍ መጺኤን ድማ በልዓኦ። 5 ገሊኡ ኸኣ ብዙሕ
ሓመድ ኣብ ዜብሉ ኸውሒ ወደቐ፡ ዓሚቝ ሓመድ ዜብሉ ስለ ዝኾነ ድማ ቀልጢፉ በቘለ። 6 ጸሓይ
ምስ በረቐት ግና፡ ሃጒጒ፡ ሱር ስለ ዜብሉውን ነቐጸ። 7 ገሊኡ ኸኣ ኣብ እሾኽ ወደቐ፡ እቲ እሾኽ ከኣ
ዓብዩ ሐነቖ ፍረውን ኣይፈረየን። 8 ገሊኡ ድማ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ ወደቐ፡ ዚበቍልን ዚዓብን ፍረ ኸኣ
ሃበ፡ ገሊኡ ሰላሳ፡ ገሊኡ ስሳ፡ ገሊኡ ኸኣ ሚእቲ ፈረየ። 9 ንምስማዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ፡ በለ። 10
ንበይኑ ምስ ኰነ፡ እቶም ከቢቦምዎ ዘለዉ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ ኾይኖም፡ ብዛዕባ እቲ ምስላ
ሐተትዎ። 11 ንሱ ኸኣ በሎም፡ ምፍላጥ ምስጢር መንግስቲ ኣምላኽ ንኣኻትኩም እዩ እተዋህበ፡ ነቶም
ብወጻኢ ዘለዉ ግና፡ 12 እናረኣዩ ኺርእዩ እሞ ከይስወጦም፡ እናሰምዑ ኺሰምዑ እሞ ከየስተውዕሉ፡
ከይምለሱ ይቕረውን ምእንቲ ኽይብለሎምሲ፡ ኵሉ ብምስላ እዩ ዚኸውን። 13 በሎም ድማ፡ ነዚ ምስላ
እዝዶ ኣይፈለጥኩምዎን፧ ከመይ ጌርኩም ደኣ ንዅሉ ምስላታት ከተስተውዕልዎ ኢኹም፧ 14 እቲ ዘራኢ
ነቲ ቓል ይዘርኦ። 15 እቶም ቃል ኣብ እተዘርኦ ጥቓ መገዲ ዘለዉ እዚኣቶም እዮም፡ ምስ ሰምዑ፡
ብኡብኡ ሰይጣን መጺኡ ነቲ ኣብ ልቦም እተዘርኤ ቓል ይወስዶ። 16 ከምኡ ኸኣ እቶም ኣብ ከውሒ
እተዘሩርኡ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ምስ ሰምዕዎ፡ ብኡብኡ ብሓጐስ ይቕበልዎ። 17 ንሽዑ እዮም
እምበር፡ ሱር የብሎምን፡ ደሓር ስለቲ ቓል መከራ ወይስ ስደት ምስ ኰነ፡ ቀልጢፎም ይዕንቀፉ። 18
እቶም ኣብ እሾኽ እተዘርኡ ድማ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ዚሰምዕዎ፡ 19 ሓልዮት እዛ ዓለም እዚኣን
ምዕሻው ሃብትን ካልእ ትምኒትን ኣትዩ ኸኣ፡ ነቲ ቓል ይሐንቆ፡ ፍረ ዜብሉ ድማ ይኸውን። 20 እቶም
ኣብ ጽቡቕ ምድሪ እተዘርኡ ኸኣ እዚኣቶም እዮም፡ ነቲ ቓል ዚሰምዕዎ ዚቕበልዎን ፍረ ኸኣ ዚፈርዩ፡
ገሊኡ ሰላሳ፡ ገሊኡ ስሳ ገሊኡውን ሚእቲ። 21 በሎም ድማ፡ መብራህቲዶ ኣብ ትሕቲ ኸፈር ወይስ ኣብ
ትሕቲ ዓራት ኬንብርዎ የምጽኡ፧ ኣብ ቀዋሚ ቐንዴል ኬንብርዎ ደይኰነን፧ 22 ዘይገሃድ ሕቡእ የልቦን፡
ናብ ብርሃን ዘይመጽእ ስዉር ድማ የልቦን። 23 ንምስማዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ። 24 ድማ በሎም፡
ብትሰምዕዎ ተጠንቀቑ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኺስፈረልኩም ኪውሰኸልኩምውን እዩ። 25 ንዘለዎ

ይወሃቦ እዩ እሞ፡ ነቲ ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ የግድፍዎ ደኣ። 26 በለውን፡ መንግስቲ ኣምላኽ ዘርኢ
ኣብ ምድሪ ኽም ዚዘርእ ሰብኣይ እያ። 27 ንሱ ለይትን ምዓልትን ይድቅስን ይትንስእን። እቲ ዘርኢ ድማ፡
ንሱ ኸይፈለጠ፡ ይበቍል ይዓቢውን። 28 እታ ምድሪ ባዕላ ትፈሪ፡ ቅድም ጮማ ብቝሊ፡ ደሓር ሰዊት፡
ኣብቲ ሰዊት ድማ ብጹሕ ስርናይ። 29 ምስ በጽሔ፡ ቀውዒ ኣትዩ እዩ እሞ፡ ማዕጺዱ ይሰድድ። 30 በለ
ድማ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ብምንታይ ክንምስላ፧ ወይስ እንታይ ምስላኡ ኽንገብረላ ኢና፧ 31 ኣብ ምድሪ
ኽም እተዘርኤት እሞ ካብ ኵሉ ዘርኢ እትንእስ ፍረ ኣድሪ እያ። 32 ምስ ተዘርኤት ከኣ፡ ትበቍል፡ ካብ
ኵሉ ኣሕምልቲውን ትዓቢ። ኣዕዋፍ ሰማይ ኣብ ጽላላ ምስራሕ እንዳኤን ክሳዕ ዚኽእላ ኸኣ፡ ዓበይቲ
ጨነፍር ትገብር። 33 ምስማዑ ብዚከኣሎም መጠን፡ በዚ ኽምዚ ዝበለ ምስላታት ብዙሕ ነገር ተዛረቦም።
34 ብዘይ ምስላ ኸኣ ኣይተዛረቦምን። ንደቀ መዛሙርቱ ግና ኣብ በይኖም ኵሉ ይገልጸሎም ነበረ። 35 በታ
መዓልቲ እቲኣ ምድሪ ምስ መሰየ፡ ናብ ማዕዶ ንሳገር፡ በሎም። 36 ነቶም ህዝቢ ኣፋንዮም ድማ፡ ንእኡ
ኽምታ ዘለዋ ምሳታቶም ብጀልባ ወሰድዎ። ካልኣት ጀላቡ ኸኣ ምስኡ ነበራ። 37 ህቦብላ ብርቱዕ ንፋስን
ድማ ኾነ፡ እታ ጀልባ ኽሳዕ እትመልእ፡ ማዕበል ናብታ ጀልባ ኣተወ። 38 ንሱ ኸኣ ብወገን ድሕሪት እታ
ጀልባ ተተርኢሱ ደቂሱ ነበረ። ኣተንሲኦም ድማ፡ መምህር፡ ክንጠፍእዶ ግድና የብልካን፧ በልዎ። 39
ተንሲኡ ንንፋስ ገንሖ፡ ንባሕሪ ድማ፡ ስቕ በሊ፡ ህድኢ በላ። እቲ ንፋስ ዝግ በለ፡ ዓብዩ ህድኣትውን
ኰነ። 40 ንሱ ኸኣ፡ ስለምንታይ እዩ ኽምዚ ዝፈራህኩም፧ ከመይ፡ እምነትዶ የብልኩምን ፥ በሎም። 41
ኣዝዮም ፈርሁ ንሓድሕዶምውን፡ እዚ ንፋስን ባሕርን ዚእዘዙሉስ መን ኰን እዩ፧ ተባሃሃሉ።

# ምዕራፍ 5

1 ናብ ማዕዶ ባሕሪ፡ ናብ ሃገር ጌርጌሴኖን መጹ። 2 ካብ ጀልባ ምስ ወጸ፡ ብኡብኡ ርኹስ መንፈስ
ዝሓደሮ ሰብኣይ ካብ መቓብር ወጺኡ ተጓነፎ። 3 ንሱ ኣብ መቓብር ይነብር ነበረ፡ ብመቝሕ እኳ
ኼጽንዖ ዝኽእል ኣይነበረን። 4 ብመቝሕን ብሰንሰለትን ብዙሕ ሳዕ ይእሰር ነበረ፡ ንመቝሕ ይሰብሮ፡
ንሰንሰለትውን ይበትኮ ነበረ እሞ፡ ኬሕምቖ ዝኽእል ከቶ ኣይነበረን። 5 ኵሉ ሳዕ ድማ ለይትን መዓልትን
ኣብ መቓብርን ኣብ ኣኽራንን ኰይኑ የእዊ፡ ስጋኡ ኸኣ ብጽልጽሊ ይበጥሕ ነበረ። 6 ንየሱስ፡ ርሒቑ ከሎ፡
ምስ ረኣየ፡ ጐይዩ ሰገደሉ እሞ፡ 7 ዎ የሱስ ወዲ ልዑል ኣምላኽ፡ ምሳኻ እንታይ ኣሎኒ፧ ከይትሳቐየኒ
ብኣምላኽ ኤምሕለካ ኣለኹ፡ እናበለ ብዓብዩ ድምጺ ጨደረ። 8 የሱስ፡ ኣታ ርኹስ መንፈስ፡ ካብዚ
ሰብኣይዚ ውጻእ፡ ስለ ዝበሎ እዩ። 9 ስምካኸ እንታይ እዩ፧ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ ኸኣ፡ ብዙሓት ኢና እሞ፡
ስመይ ለጌዎን እዩ፡ በሎ። 10 ካብታ ሃገር ከየውጽኦም፡ ብዙሕ ለመኖ። 11 ኣብኡ ብርቱዕ መጓሰ
ሓሰማታት ኣብ ጸግዒ ኸረን ይበልዕ ነበረ። 12 ንሳቶም ከኣ፡ ናብተን ሓሰማታት ስደደና እሞ ናብኤን
ክንኣቱ፡ ኢሎም ለመንዎ። 13 የሱስ ከኣ ብኡብኡ ፈቐደሎም። እቶም ርኹሳት መናፍስቲ ወጺኦም ናብተን
ሓሰማታት ኣተዉ። እቲ መጓሰ ኸኣ ካብቲ ጸድፊ ናብ ባሕሪ ጸደፈ። ኣስታት ክልተ ሽሕ ነበራ። ኣብ
ባሕሪ ጥሒለን ሞታ። 14 እቶም ጓሶት ድማ ሃደሙ፡ ኣብ ከተማን ኣብ ዓድታትን ከኣ ኣውረዩ። እቶም
ሰብ ከኣ እቲ ዝኾነ ኺርእዩ ወጹ። 15 ናብ የሱስ መጹ፡ እቲ ርኹሳት መናፍስቲ ሒዞምዎ ዝነበሩ፡ ለጌዎን
ዝነበርዎ፡ ተቐሚጡ፡ ተኸዲኑ፡ ናብ ልቡ ተመሊሱ ረኣይዎ እሞ ፈርሁ። 16 እቶም ዝረኣዩ ድማ እቲ
ርኹስ መንፈስ ዝነበሮ ኸመይ ከም ዝኾነን ብናይተን ሓሰማታትን ነገርዎም። 17 ካብ ወሰን ምድሮም
ኪግልሰሎም ከኣ ኪልምንዎ ጀመሩ። 18 ኣብ ጀልባ ኺኣቱ ኸሎ፡ እቲ ርኹስ መንፈስ ዝነበሮ ምስኡ
ኪኸውን ለመኖ። 19 የሱስ ግና፡ ናብ ቤትካ ኣብ ሰብካ ኺድ፡ እግዚኣብሄር ከመይ ዝበለ ዓብዩ ግብሪ

ኸም ዝገበረልካን ከም ዝመሐረካን ንገሮም፡ በሎ እምበር፡ ኣይፈቐደሉን። 20 ከይዱ ኸኣ፡ የሱስ ከመይ
ዝበለ ዓብዩ ግብሪ ኸም ዝገበረሉ፡ ኣብ ዓሰርተ ኸተማ ኺሰብኽ ጀመረ፡ ኵሎምውን ተደነቑ። 21 ከም
ብሓድሽ ድማ የሱስ ብጃልባ ናብ ማዕዶ ምስ ተሳገረ፡ ብዙሕ ህዝቢ ናብኡ ተኣከበ። ኣብ ጥቓ ባሕሪ
ኸኣ ነበረ። 22 ካብ መራሕቲ ቤት ጸሎት ሓደ፡ ያኢሮስ ዝስሙ መጸ። ምስ ረኣዮ ኸኣ፡ ኣብ እግሩ ወዲቑ፡
23 ጓለይ ክትመውት ኢላ ኣላ እሞ፡ ምእንቲ ኽትፍወስን ክትሐውንሲ፡ መጺእካ ኢድካ ኣንብረላ፡ ኢሉ
ኣጽኒዑ ለመኖ። 24 ምስኡ ድማ ኸደ፡ ብዙሓት ህዝቢ ኸኣ ሰዐብዎ፡ ይደፍእዎውን ነበሩ። 25 ካብ
ዓሰርተው ክልተ ዓመት ሒዙ ደም ዛሕዛሕ ዚብላ ሰበይቲ ነበረት። 26 ንሳ ብብዙሓት ሓኪማት ብዙሕ
ተሰቀየት፡ ኵሉ ገንዘባውን ወድኤት፡ ግናኸ ገደዳ እምበር፡ ኣይጠቐማን። 27-28 ብዛዕባ የሱስ ምስ
ሰምዔት፡ ክዳኑ ጥራይ እንተ ተንኬኸ፡ ክሐዊ እየ፡ ኢላ ኣላ እሞ፡ ብማእከል እቶም ህዝቢ ብድሕሪኡ
መጺኣ ኽዳኑ ተንከየት። 29 ብኡብኡ ዓይኒ ደማ ነቐጸ፡ ካብ ሕማማ ከም ዝሐወየት ከኣ ብነፍሳ ተፈለጣ።
30 ሽዑ የሱስ፡ ካብኡ ሓይሊ ኸም ዝወጸ ብውሽጡ ተፈሊጥዎ፡ ናብቶም ህዝቢ ግልጽ ኢሉ፡ መን እዩ
ኽዳነይ ዝተንከየ፧ በለ። 31 ደቀ መዛሙርቱ ድማ፡ ህዝቢ ኺደፍኣካ ትርኢ ኣሎኻ፡ ንስኻ ግና፡ መን
ተንከየኒ፧ ትብል፡ በልዎ። 32 ነታ እዚ ዝገበረት ኪርኢ ድማ ግልጽ ግልጽ በለ። 33 እታ ሰበይቲ ኸኣ እቲ
ኣብኣ ዝኾነ ነገር ፈሊጣ ነበረት እሞ ፈሪሃ፡ ራዕራዕ እናበለት መጺኣ ሰገደትሉ ኹሉ እቲ ሓቂውን
ነገረቶ። 34 ንሱ ኸኣ፡ ጓለየ፡ እምነትኪ ኣድሓነትኪ። ብሰላም ኪዲ፡ ካብ ሕማምኪውን ጥዓዪ፡ በላ። 35
ገና እዚ ኺዛረብ ከሎ፡ ካብ ገዛ መራሕ ቤት ጸሎት፡ ጓልካ ሞይታ፡ ደጊምከ ስለምንታይ ንመምህር
ተድክሞ ኣሎኻ፧ ዚብልዎ መጹ። 36 የሱስ ከኣ እዚ ዘረባ እዚ ኺዛረቡ ምስ ሰምዔ፡ ነቲ መራሕ ቤት
ጸሎት፡ ኣይትፍራህ፡ እመን ደኣ፡ በሎ። 37 ብዘይ ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስ ሓዉ ያእቆብን፡ ሓደ እኳ
ኺስዕቦ ኣይፈቐደን። 38 ናብ ገዛ እቲ መራሕ ቤት ጸሎት ከኣ ኣተዉ፡ ጫውጫው ዚብሉን ዚበኽዩን
ብዙሕ ዋይዋይ ዚብሉን ረአየ። 39 ኣትዩ፡ እዛ ቈልዓ ደቂሳ ኣላ እምበር፡ ኣይሞተትን፡ ስለምንታይከ
ጫውጫው ትብሉን ትበኽዮን ኣሎኹም፧ በሎም። 40 ሰሐቕዎ ድማ። ንሱ ግና ንኹሎም ኣውጺኡ፡ ኣቦ
እታ ቈልዓን ኣዲኣን እቶም ምስኡ ዘለውን ሒዙ፡ ናብቲ እታ ቘልዓ ዘላቶ ኣተወ። 41 ኢድ እታ ቈልዓ
ሒዙ ኸኣ፡ ጣሊታ ቁሚ፡ በላ። ትርጓሚኡ፡ ኣቲ ጓል፡ ተንስኢ፡ እብለኪ ኣሎኹ፡ እዩ። 42 እታ ጓል ድማ
ብኡብኡ ተንስኤት፡ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ገይራ ነበረት እሞ፡ ተዛወረት። ሽዑ ዓብዩ ምግራም
ተገረሙ። 43 ነዚ ሓደ እኳ ኸይፈልጦ፡ ኣሕሚሙ ኣዘዞም፡ ዚብላዕ ኪህብዋ ኸኣ ነገሮም።

## ምዕራፍ 6

1 ካብኡ ወጺኡ ናብ ዓዱ መጸ፡ ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ሰዐብዎ። 2 ብሰንበት ድማ ኣብ ቤት ጸሎት ኪምህር
ጀመረ። ብዙሓት ንእኡ ሰሚዖም፡ ነዚ ነገርዚ ኻበይ ረኺቦ፧ ከምዚ ዝበለ ሓይልታት ብኢዱ ዚግበርከ፡
እንታይ ጥበብ ተዋህበቶ፧ 3 እዝስ እቲ ጸራቢ ወዲ ማርያም፡ ሓው ያእቆብን ዮሴፍን ይሁዳን ስምኦንን
ደይኰነን፧ ኣሓቱስ ኣብዚዶ ምሳና ኣየለዋን፧ እናበሉ ተገረሙ፡ ብእኡ ኸኣ ተዓንቀፉ። 4 የሱስ ድማ፡ ነብዪ
ብዘይ ኣብ ዓዱን ኣብ ኣዝማዱን ኣብ ቤቱን ኣይነዓቕን እዩ፡ በሎም። 5 ኣብኡ ኸኣ፡ ብዘይ ንሒደት
ሕሙማት ኢዱ ኣንቢሩ ዘሕወዮም እምበር፡ ሓይሊ ኺገብር ኣይኰነሉን። 6 በቲ ዘይምእማኖም ድማ
ገረሞ። እናመሃረ ኸኣ ኣብቲ ኣብ ከባቢ ዘሎ ዓድታት ዞረ። 7 ነቶም ዓሰርተው ክልተ ድማ ጸውዖም
በብኽልተውን ኪልእኮም ጀመረ። ኣብ ርኹሳት መናፍስቲ ኸኣ ስልጣን ሃቦም። 8 ንመገዲ ድማ በትሪ
ጥራይ እምበር፡ ለቈታ ኾነ፡ እንጌራ ኾነ፡ ገለ ገንዘብ እኳ ኣብ ቅናውቶም ከይማልኡ ኣዘዞም። 9 ግናኸ

ኣሳእንኩም ኣእትዉ፡ ክልተ ቐምሽ ኣይትከደኑ፡ በሎም። 10 ኣብታ ዝኣቶኹምዋ ቤት፡ ካብኣ ክሳዕ
እትወጹ፡ ኣብኣ ተቐመጡ። 11 ኣብታ ዘይተቐበሉኹም ወይስ ዘይሰምዑኹም ስፍራ፡ ካብኣ ወጺእኩም፡
ንኣታቶም ንምስክር ተጐዳ ኣእጋርኩም ንገፉ። ብመዓልቲ ፍርዲ ኻብ ነታ ዓዲ እቲኣስ ንሶዶምን
ንጎሞራን ከም ዚቐልል፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡ በሎም። 12 ንሳቶም ድማ ወጺኦም፡ ሰብ ኪንሳሕ
ሰበኹ። 13 ብዙሓት ኣጋንንቲ ኣውጽኡ ንብዙሓት ሕሙማትውን ዘይቲ ለለኽዮም ኣሕወይዎም። 14
ንጉስ ሄሮድስ ድማ እዚ ሰምዔ፡ ስሙ ተጋሂዱ ነበረ እሞ፡ ዮሃንስ መጥምቕ ካብ ምዉታት ተንሲኡ እዩ፡
ስለዚ ኸምዚ ዝበለ ሓይሊ ብእኡ ይግበር አሎ፡ በለ። 15 ካልኦት ግና፡ ኤልያስ እዩ፡ በሉ። ካልኦት ከኣ፡
ነብዪ ኸም ሓደ ኻብ ነብያት እዩ፡ በሉ። 16 ሄሮዶስ ግና እዚ ምስ ሰምዔ፡ እዚ እቲ ኣነ ርእሱ ዘሰየፍክዎ
ዮሃንስ እዩ፡ ንሱ ኻብ ምዉታት ተንሲኡ፡ በለ። 17-18 ዮሃንስ ንሄሮዶስ፡ ሰበይቲ ሓዉካ ንኣኻ ኽትከውን
ኣይግብኣካን፡ ኢልዎ ነበረ። ሄሮዶስ ንሄሮድያዳ ሰበይቲ ፊልጶስ ሓዉ ኣእትይዋ ነበረ እሞ፡ ብሰራ
ልኢኹ ንዮሃንስ ሒዙ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሲርዎ ነበረ። 19-20 ሄሮዶስ ንዮሃንስ ጻድቕ፡ ቅዱስ ሰብኣይ
ምዃኑ ፈሊጡ ይፈርሆ ነበረ እሞ፡ ይሕልዎ ኸኣ ነበረ። ምስ ሰምዖ ድማ፡ ይጭነቕ ብሓጐስውን ይሰምዖ
ነበረ። ሄሮድያዳ ኸኣ ተቐየመቶ፡ ክትቀትሎውን ደለየት፡ ግናኸ ኣይተኻእላን። 21 ምሸእቲ መዓልቲ ምስ
ኰነ፡ ሄሮዶስ እተወልደላ መዓልቲ፡ ሽዑ ንዓበይቱን ንሸለቃታትን ንሹማምቲ ገሊላን ምሳሕ ገበረ። 22
ጓል ሄሮድያዳ ድማ ኣትያ ሳዕስዔት፡ ንሄሮድስን ምስኡ ንተቐመጡን ከኣ ኣሐጐሰቶም። እቲ ንጉስ ነታ
ጓል፡ ዝደሌኽዮ ለምንኒ እሞ ኽህበኪ፡ በላ። 23 ክሳዕ ፍርቂ መንግስተይ እንተ ኾነ እኳ፡ ዝለመንክኒ
ኽህበኪ እየ፡ ኢሉ መሐለላ። 24 ወጺኣ ድማ ነዲኣ፡ እንታይ ክልምኖ፧ በለታ ንሳ ኸኣ፡ ርእሲ ዮሃንስ
መጥምቕ፡ በለታ። 25 ብኡብኡ ቕልጢፋ ናብ ንጉስ ኣትያ፡ ርእሲ ዮሃንስ መጥምቕ ሕጂ ሕጂ ኣብ ሒላብ
ጌርካ ኽትህበኒ እደሊ አሎኹ፡ ኢላ ለመነቶ። 26 እቲ ንጉስ ኣዝዩ ሐዘነ፡ ስለቲ ማሕላኡን ስለቶም
መቓምጡን ግና ኪኸልኣ ኣይፈተወን። 27 ብኡብኡ ድማ እቲ ንጉስ ንሓደ ዓቀይታይ፡ ርእሱ ኼምጽእ
ኣዚዙ፡ ለኣኾ። ንሱ ኸኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኸይዱ ርእሱ ሰየፈ። 28 ብሒላብ ኣምጺኡ ድማ፡ ነታ ጓል
ሃባ፡ እታ ጓልውን ነዲእ ሃበታ። 29 ደቀ መዛሙርቱ ድማ ሰሚዖም መጹ፡ ነቲ ሬሳኡ ኣልዒሎም ናብ
መቓብር ኣእተውዎ። 30 እቶም ሃዋርያት ድማ ናብ የሱስ ተኣከቡ፡ ዝገበርዎን ዝመሃርዎን ከኣ ኣዛረብዎ።
31 ንምብላዕ እኳ ጊዜ ኸሳዕ ዚስእኑ፡ ዚመጹን ዚኸዱን ብዙሓት ነበሩ እሞ፡ ኣብ ጽምዊ ቦታ ብሕት
ኢልኩም፡ ሓንሳእ ክትዓርፉ ንዑናይ፡ በሎም። 32 በይኖም ብጃልባ ናብ ጽምዊ ቦታ ኸዱ። 33 ኪኸዱ
ኽለዉ ኸኣ፡ ረኣይዎም፡ ብዙሓትውን ኣለለይዎም። ካብ ኵለን ከተማታት ድማ ብእግሪ ናብኡ ጐየዩ።
ቀዲሞምዎም ድማ መጹ፡ ናብኡውን ተኣከቡ። 34 የሱስ ምስ ወጸ፡ ብዙሕ ህዝቢ ረኣየ። ሓላዊ ኸም
ዜብለን ኣባጊዕ ነበሩ እሞ፡ ደንገጸሎም፡ ብዙሕውን ኪምህሮም ጀመረ። 35 እቲ ጊዜ ኣዝዩ ምስ ሐለፈ፡
ደቀ መዛሙርቱ ቐሪቦም፡ እዛ ቦታ እዚኣ በረኻ እያ፡ ምድሪ ኸኣ መስዩ እዩ። 36 ዚብላዕ የብሎምን እሞ፡
ኣብ ጥቓና ናብ ዘሎ ኣቝሻትን ዓድታትን ከይዶም፡ ንኣታቶም ዚበልዕዎ ኺዕድጉ ኣሳናብቶም፡ በልዎ።
37 ንሱ ግና መሊሱ፡ ኪበልዑ ንስኻትኩም ሃብዎም፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፡ ኬድናዶ ብኽልተ ሚእቲ
ዲናር እንጌራ ኽንዕድግ እሞ ኪበልዑ ኽንህቦም፧ በልዎ። 38 ንሱ ድማ፡ ክንደይ እንጌራ ኸም ዘሎኩም
ኪዱ ርኣዩ፡ በሎም። ምስ ፈለጡ፡ ሓሙሽተን ክልተ ዓሳን፡ በልዎ። 39 ንዅሎም ብብመኣዲ እናሰርዑ ኣብ
ለምለም ሳዕሪ ኬቐምጥዎምውን ኣዘዞም። 40 ከከም መስርዖም ብብሚእቲን ብብሓምሳን ተቐመጡ። 41
ነቲ ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣልዒሉ፡ ናብ ሰማይ ገጹ ቕሊሕ ኢሉ ባረኸ። ነተን እንጌራ ቈሪሱ
ኪቕርቡሎም ንደቀ መዛሙርቱ ሃቦም። እቲ ኽልተ ዓሳውን ንዅሎም መቐሎም። 42 ኵሎም ድማ
በሊዖም ጸገቡ። 43 እቲ ቚረርስውን ዓሰርተው ክልተ መሶብ ምሉእ ኣልዓሉ፡ ካብቲ ዓሳ ድማ። 44 እቶም

እንጌራ ዝበልዑ ኸኣ ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ እዮም። 45 ብኡብኡ ድማ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ነቶም ህዝቢ
ኽሳዕ ዜሳናብት፡ ናብ ጃልባ ኣትዮም ንማዕዶ ናብ ቤተሳይዳ ኪቕድምዎ ብግዲ በሎም። 46 ምስ
ኣሳናበቶም፡ ኪጽሊ ናብ ከረን ደየበ። 47 ምድሪ ምስ መሰየ፡ እታ ጃልባ ኣብ ማእከል ባሕሪ ነበረት፡ ንሱ
ድማ በይኑ ኣብ ምድሪ ነበረ። 48 ንፋስ ብቕድሚኦም ነበረ እሞ፡ ኪኸዱ ኸለዉ ብማዕበል ኪጭነቑ
ረኣዮም። ብራብዓይ ምቃል ለይቲ ኣቢሉ ባሕሪ ባሕሪ እናኸደ፡ ናባታቶም መጸ ኺሐልፎምውን ደለየ።
49 ንሳቶም ግና ባሕሪ ባሕሪ ኪኸይድ ከሎ ምስ ረኣይዎ፡ ምትሃት መሲልዎም ጨርሑ። 50 ኵሎም
ረኣይዎ እሞ ሰምበዱ። ብኡብኡ ኸኣ፡ ኣጆኹም፡ ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ፡ ኢሉ ተዛረቦም። 51 ናባታቶም ከኣ
ናብ ጃልባ ኣተወ። እቲ ንፋስ ድማ ሃድአ። ንሳቶምውን ብዙሕ ተገረሙ። 52 ልቦም ተደፊኑ ነበረ እሞ፡
እቲ ናይ እንጌራ ነገር ኣየስተውዐልዎን። 53 ምስ ተሳገሩ፡ ናብ ምድሪ ጌንሳሬጥ መጺኦም፡ ነታ ጃልባ
ኣቘምዋ። 54 ካብ ጃልባ ምስ ወጹ፡ ብኡብኡ ኣለለይዎ። 55 ኣብ ኵላ እታ ሃገር ጐየዩ፡ ኣበይ ምህላዉ ምስ
ሰምዑ ኸኣ፡ ዱኡሳት ብዓራታት ገይሮም ናብኡ ኺጸርዎም ጀመሩ። 56 ኣብ ዝኣተዎ ዘበለ ድማ፡ ኣብ
ዓድታት ኰነ፡ ወይ ኣብ ከተማታት፡ ወይ ኣብ ኣቝሻት፡ ነቶም ሕሙማት ኣብ ዕዳጋታት በጥ ኣበልዎም፡
ዘፈር ክዳኑ ኪትንክዩ ድማ ለመንዎ። ዝተንከዮ ዘበለ ኾሉውን ሐወየ።

# ምዕራፍ 7

1 ሽዑ ፈሪሳውያንን ሓያሎ ኻብ የሩሳሌም ዝመጹ ጸሓፍትን ናብኡ ተኣከቡ። 2 ንሓያሎ ኻብ ደቀ
መዛሙርቱ ድማ ብዝረኸሳ፡ ማለት ብዘይተሐጽባ ኣእዳው እንጌራ ኺበልዑ ኸለዉ ረኣይዎም። 3
ፈሪሳውያንን ኵሎም ኣይሁድን ስርዓት ዓበይቲ ምእንቲ ኺሕልዉ፡ ኣእዳዎም ኣጸቢቖም ከይተሐጽቡ
ከቶ ኣይበልዑን ነበሩ እሞ፡ 4 ካብ ዕዳጋ ምስ መጹውን፡ ከይተሐጽቡ ኣይበልዑን ነበሩ። ካልእ ብዙሕ
ድማ፡ ከም ምሕጻብ ጣሳን ዕትሮን ድስትን ዓራትን ዚመስል፡ ኪሕልውዎ ኢሎም እተቐበልዎ ነበሮም። 5
ጸሓፍትን ፈሪሳውያን ድማ፡ ስለምንታይ ደቀ መዛሙርትኻ ኸም ስርዓት ዓበይቲ ዘይከዱ፡ ኢሎም
ሐተትዎ። 6-7 ንሱ ኸኣ በሎም፡ ኣቱም ግቡዛት፡ ከምቲ ጽሑፍ፡ እዚ ህዝቢ እዚ ብኸናፍሩ የኽብረኒ፡
ልቦም ግና ካባይ ርሑቕ እዩ። ግናኸ ምህሮ ስርዓት ሰብ እናመሃሩ፡ ብከንቱ እዮም ዜምልኹኒ ዚብል፡
ኢሳይያስ ብዛዕባኹም ጽቡቕ ተነበየ። 8 ትእዛዝ ኣምላኽ ሐዲግኩም፡ ስርዓት ሰብ ትሕልዉ አሎኹም፡
ከም ምሕጻብ ጣሳን ዕትሮን፡ ብዙሕ ካልእ ድማ ነዚ ዚመስልን ትገብሩ አሎኹም። 9 ስርዓትኩም
ምእንቲ ኽትሕልዉ፡ ትእዛዝ ኣምላኽ ምፍራስኩምሲ ጽቡቕ ደኣ። 10 ሙሴ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡
ነቦኡ ወይስ ነዲኡ ሕሱም ቃል ዜውጽእ፡ ሞት ይሙት፡ ኢሉ አሎ። 11 ንስኻትኩም ግና፡ ሰብ ነቦኡ ወይ
ነዲኡ፡ እቲ ኻባይ እትጥቀመሉ ቍርባን ገይረዮ እየ፡ ማለት መባእ እዩ፡ እንተ በሎ፡ 12 ደጊም ነቦኡ ወይስ
ነዲኡ ሓደ ነገር ኪገብረሎም ከቶ ኣይትፈቕዱሉን ኢኹም። 13 ምእንቲ እቲ ዝሰራዕኩምዎ ስርዓትሲ ቓል
ኣምላኽ ትስዕሩ፡ ነዚ ዚመስልውን ብዙሕ ትገብሩ አሎኹም። 14 ነቶም ህዝቢ ኸም ብሓድሽ ጸዊዑ፡
ኵልኹም ስምዑንን ኣስተውዕሉን። 15 ካብ ሰብ ዚወጽእ እዩ ንሰብ ዜርክሶ እምበር፡ ካብ ወጻኢ ናብ ሰብ
ዚኣቱስ ገለ እኳ ኺርክሶ ኣይክእልን እዩ። 16 እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ፡ በሎም። 17 ካብቶም ህዝቢ
ተፈልዩ ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብዛዕባ እዚ ምስላዚ ሓተትዎ። 18 በሎም ከኣ፡
ንስኻትኩምዶ ድማ ክሳዕ ክንዲዚ ደናቝርቲ ኢኹም፧ ካብ ወጻኢ ናብ ሰብ ዚኣቱ ዅሉ ኺርክሶ ኸም
ዘይክእልዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 19 ናብ ከብዲ እምበር፡ ናብ ልቢ ኣይወርድን እዩ እሞ፡ ንዅሉ
መባልዕ እናጽረየ ድማ እዩ ንግዳም ዚወጽእ። 20 በለ ድማ፡ እቲ ኻብ ሰብ ዚወጽእ ደኣ እዩ ንሰብ

ዜርክሶ። 21 ካብቲ ውሽጢ ልቢ ሰብ ክፉእ ሓሳብ ይወጽእ እዩ እሞ፡ ምንዝር፡ ስርቂ፡ ቅትለት፡ 22
ዝሙት፡ ስስዔ፡ ክፍኣት፡ ጕርሒ፡ ቅለት፡ ቅንኣት፡ ጸርፊ፡ ኵርዓት፡ ዕሽነት። 23 እዚ ኹሉ ኽፉእ ካብ
ውሽጢ እዩ ዚወጽእ፡ ንሰብ ከኣ የርክሶ። 24 ካብኡ ነቒሉ ኸኣ ናብ ወሰን ምድሪ ጢሮስን ሲዶናን ከደ።
ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ ሓደ እኳ ኺፈልጦ ኣይፈተወን፡ ኪሕባእ ከኣ ኣይኰነሉን። 25 ሓንቲ ሰበይቲ፡ ጓላ
ብርኹስ መንፈስ እተታሕዘታ፡ ወሪኡ ሰሚዓ መጸት፡ ኣብ እግሩውን ተደፍኤት። 26 እታ ሰበይቲ
ጽርኣዊት ነበረት፡ ወለዶኣ ሶርያ ፍንቄ እዩ። ካብ ጓላ ጋኔን ኬውጽኣላ ኸኣ ለመነቶ። 27 የሱስ ድማ፡
እንጌራ ውሉድ ኣልዒልካ ነኽላባት ምሃብ ጽቡቕ ኣይኰነን እሞ፡ ሕደጊ፡ ቅድም እቶም ውሉድ ይጽገቡ፡
በላ። 28 ንሳ ኸኣ፡ እወ ጐይታይ፡ ኣኽላባት ድማ ርፍራፍ ውሉድ ካብ ትሕቲ መኣዲ ይበልዑ እዮም፡
ኢላ መለሰትሉ። 29 ንሱ ድማ ስለ እዚ ቓልዚ ኺዲ እቲ ጋኔን ካብ ጓልኪ ወጺኡ፡ በላ። 30 ናብ ቤታ ምስ
ተመልሰት፡ እታ ቈልዓ ኣብ ዓራት በጥ ኢላ፡ እቲ ጋኔን ከኣ ወጺኡላ ረኸበታ። 31 ከም ብሓድሽ ድማ
ካብ ወሰን ምድሪ ጢሮስ ወጸ፡ ብሲዶና ገይሩ ኸኣ፡ ንማእከል ዓሰርተ ዓዲ ናብ ባሕሪ ገሊላ ኸደ። 32
ሓደ ጸማምን ዓባስን ናብኡ ኣምጺኦም፡ ኢዱ ኺንብረሉ ለመንዎ። 33 ካብቶም ህዝቢ ንበይኑ ወሲዱ
ድማ፡ ኣጻብዑ ኣብ ኣእዛኑ ኣንቢሩ፡ ጡፍ ኢሉ ልሳኑ ተንከዮ። 34 ናብ ሰማይ ቍሊሕ ኢሉ ኣተንፊሱ
ኸኣ፡ ኤፉታ፡ በሎ። እዚ፡ ተኸፈት፡ ማለት እዩ። 35 ሽዑ ኣእዛኑ ተኸፍታ፡ ማእሰርቲ ልሳኑ ድማ
ተፈትሔ፡ ኣቕኒዑውን ተዛረበ። 36 ንሓደ እኳ ኸይነግሩ፡ ኣምሪሩ ኣዘዞም። ንሳቶም ግና ብመጠን እቲ
ዝኸልከሎም ኣዝዮም ኣውረዩ። 37 ንሳቶም ከኣ፡ ንሱ ንኹሉ ጽቡቕ ገበሮ፡ ጸማማት ከም ዚሰምዑ፡
ዓባሳት ከም ዚዛረቡ ገበረ፡ እናበሉ ብዘይ ልክዕ ተገረሙ።

## ምዕራፍ 8

1 በቲ ቕነ እቲ ኸም ብሓድሽ ብዙሕ ህዝቢ ምስ ተኣከበ፡ ዚብላዕ ኣይነበሮምን እሞ፡ ነቶም ደቀ
መዛሙርቱ ጸዊዑ፡ 2 እዞም ህዝቢ እዚኦም ሰለስተ መዓልቲ ምሳይ ገይሮም እዮም፡ ዚብላዕ ከኣ
የብሎምን እሞ፡ የደንግጹኒ ኣለዉ። 3 ሓያሎ ኻባታቶም ካብ ርሑቕ ዝመጹ እዮም፡ ጾሞም ነናብ ቤቶም
እንተ ኣሳናበትክዎም፡ ኣብ መገዲ ኺሕለሉ እዮም፡ በሎም። 4 ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡ ኣብዚ በረኻዚ ደኣ
ነዞም ሰብ እዚኦም ዜጽግብ እንጌራ ኻበይ ይርከብ፧ ኢሎም መለስሉ። 5 ንሱ ኸኣ፡ ክንደይ እንጌራኸ
ኣሎኩም፧ ኢሉ ሓተቶም። ንሳቶም፡ ሾብዓተ፡ በልዎ። 6 ነቶም ህዝቢ ኸኣ ኣብ ምድሪ ኪቕመጡ ኣዘዞም።
እተን ሾብዓተ እንጌራ ወሲዱ ኣመስጊኑ ቈረሰ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ኪቕርብሎም ሃቦም። ነቶም ህዝቢ
ድማ ቐረብሎም። 7 ሒደት ዓሳ ኸኣ ነበሮም፡ ንእኡ ድማ ባሪኹ ሃቦም፡ ኪቕርብሎምውን ኣዘዘ። 8
በሊዖም ጸገቡ፡ ዝተረፈ ቈረርስ ከኣ ሾብዓተ መሶብ ኣልዓሉ። 9 እቶም ዝበልዑ ኣስታት ኣርባዕተ ሽሕ
እዮም። ሽዑ ኸኣ ኣሳናበቶም። 10 ድሕርዚ ብኡብኡ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ጃልባ ኣትዩ ናብ ሃገር
ደልማኑታ መጸ። 11 ፈሪሳውያን ከኣ ወጹ፡ እናፈተንዎ ኻብ ሰማይ ትእምርቲ ኻብኡ ደልዮም
ኪካራኸርዎ ጀመሩ። 12 ንሱ ድማ ብመንፈሱ ኣሕዘንዚኑ፡ እዚ ወለዶ እዚ ንምንታይ ትእምርቲ ይደሊ
ኣሎ፧ ነዚ ወለዶ እዚ ትእምርቲ ኸም ዘይውሀቦ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በለ። 13 ሒዲግዎም ከም
ብሓድሽ ናብ ጃልባ ኣተወ ናብ ማዕዶውን ተሳገረ። 14 ምምላእ እንጌራ ኸኣ ረስዑ። ምሳታቶም ኣብ
ጃልባ ብጀካ ሓንቲ እንጌራ ኣይነበሮምን። 15 ንሱ ድማ፡ ካብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያንን ካብ ማይ ብሑቕ
ሄሮድስን ተጠንቀቑን ተኣርነቡን፡ ኢሉ ኣዘዞም። 16 ንሓድሕዶም ድማ፡ እንጌራ ስለ ዜብልና እዩ፡ ኢሎም
ሐሰቡ። 17 የሱስ ድማ ፈሊጡ በሎም፡ ንምንታይ እንጌራ ስለ ዘይምህላውኩም ትሐስቡ፧ ገናዶ

ኣይትፈልጡን ወይስ ኣይተስተውዕሉን ኢኹም፧ ልብኹምዶ ድፉን እዩ፧ [18] ኣዒንቲ ኽለዋኹምሲ
ኣይትርእዩንዶ፧ ኣእዛን ከለዋኹምከ ኣይትሰምዑንዶ፧ ኣይትዝክሩንዶኸ ኢኹም፧ [19] እቲ ሓሙሽተ
እንጌራን ንሓሙሽተ ሽሕ ምስ ቈረስኩኽ፡ ቈረርስ ዝመልኤ ክንደይ መሶብ ኣልዓልኩም፧ ንሳቶም ከኣ፡
ዓሰረተው ክልተ፡ በልዎ። [20] እቲ ሾብዓተ እንጌራ ነርባዕተ ሽሕ ምስ ቈረስኩኽ፡ ቈረርስ ዝመልኤ ኽንደይ
መሶብ ኣልዓልኩም፧ ንሳቶም ከኣ፡ ሾብዓተ፡ በልዎ። [21] ንሱ ድማ፡ ገናዶ ኣይተስተዎሉን ኢኹም፧
በሎም። [22] ናብ ቤተሳይዳ ኸኣ መጸ። ዕዉር ናብኡ ኣምጺኦም፡ ኪትንክዮ ለመንዎ። [23] ነቲ ዕዉር ድማ
ብኢዱ ሒዙ ናብ ወጻኢ እታ ዓዲ ወሰዶ። ኣብ ኣዒንቱ ጡፍ ኢሉ ኸኣ ኢዱ ኣንበረሉ እሞ፡ ገለዶ
ትርኢ ኣሎኻ፧ ኢሉ ሐተቶ። [24] ቋሕ ኢሉ ድማ፡ ሰባት እርኢ ኣሎኹ፡ ኪመላለሱ ኸለዉ ኣእዋም
መሲሎም እርእዮም ኣሎኹ፡ በለ። [25] ከም ብሓድሽ ድማ ኢዱ ኣብ ኣዒንቱ ኣንበረሉ እሞ ኣጸቢቑ
ጠመተ፡ ሐወየ ንኹሉውን ተቐሊዑ ረኣየ። [26] የሱስ ከኣ፡ ናብ ዓዲ ኣይትእቶ፡ ኢሉ ናብ ቤቱ ሰደዶ። [27]
የሱስን ደቀ መዛሙርቱን ናብ ዓድታት ቂሳርያ ናይ ፊልጶስ ከዱ። ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ኣብ
መገዲ፡ ሰብ መን እዩ ይብሉኒ ኣለዉ፧ ኢሉ ሐተቶም። [28] ንሳቶም ድማ፡ ገሊኦም ዮሃንስ መጥምቕ፡
ካልኦት ድማ ኤልያስ፡ ካልኦትውን ሓደ ኻብ ነብያት እዩ፡ ዚብሉ ኣለዉ፡ በልዎ። [29] ንሱ ድማ፡
ንስኻትኩምከ መን እዩ ትብሉኒ ኣሎኹም፧ በሎም። ጴጥሮስ መሊሱ፡ ንስኻ ክርስቶስ ኢኻ፡ በሎ። [30]
ሽዑ ብዛዕባኡ ንሓደ እኳ ኸይዛረቡ፡ ኣሕሚሙ ኣዘዞም። [31] ንወዲ ሰብ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡
ብዓበይቲ ህዝብን ብሊቃውንቲ ኻህናትን ኪነዐቕን ኪቕተልን ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲውን ኪትንስእ ከም
ዚግባእ፡ ኪምህሮም ጀመረ። [32] ነዚ ነገርዚ ድማ ኣግሂዱ ተዛረቦ። ጴጥሮስ ከኣ ፍልይ ኣቢሉ ኺግንሖ
ጀመረ። [33] ናብ ደቀ መዛሙርቱ ግልጽ ኢሉ ርእዩ፡ ንጴጥሮስ፡ ኣታ ሰይጣን፡ ናይ ሰብ እምበር፡ ናይ
ኣምላኽ ኣይትሐስብን ኢኻ እሞ፡ ካባይ ርሐቕ፡ ኢሉ ገንሖ። [34] ነቶም ህዝቢ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ
ድማ በሎም፡ ዝኾነ ይኹን ደድሕረይ ኪስዕበኒ ዚደሊ እንተሎ፡ ገዛእ ርእሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ የልዕል
እሞ ይስዓበኒ። [35] ንህይወቱ ኼድሕና ዚደሊ ኼጥፍኣ እዩ። እቲ ንህይወቱ ምእንታይን ምእንቲ ወንጌልን
ዜጥፍኣ ግና ኬድሕና እዩ። [36] ንሰብ፡ ብዘላ ዓለም ረቢሑ፡ ንፍሱ እንተ ኣጥፍኤ፡ እንታይ ይጠቕሞ፧ [37]
ሰብከ በጃ ነፍሱ እንታይ ምሃበ፧ [38] ስለዚ ኣብዚ ዘማውን ሓጥእን ወለዶ ብኣይን ብቓለይን ዝሐፈረ፡
ወዲ ሰብ ድማ፡ ብግርማ ኣቦኡ ምስ ቅዱሳን መላእኽቱ ምስ መጸ፡ ብእኡ ኺሐፍር እዩ።

# ምዕራፍ 9

[1] ንሱ ድማ፡ ካብዞም ኣብዚ ደው ኢሎም ዘለዉ ንመንግስቲ ኣምላኽ ብሓይሊ ኽትመጽእ ከላ ኽሳዕ
ዚርእይዋ ሞት ዘይጥዕሙ ሓያሎ ኸም ዘለዉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። [2] ድሕሪ ሹድሽተ
መዓልቲ ኸኣ የሱስ ንጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን ወሲዱ፡ ንበይኖም ናብ ነዊሕ ከረን ኣደየቦም፡ ኣብ
ቅድሚኦምውን ተለወጠ። [3] ክዳኑ ድማ በርሄ፡ ኣብ ምድሪ ሓጻቢ ኽምኡ ገይሩ ኼጻዕዱ ዘይኽእል፡ ኣዝዩ
ጻዕደወ። [4] ኤልያስን ሙሴን ድማ ተራእይዎም፡ ንሳቶም ምስ የሱስ ይዛራረቡ ነበሩ። [5] ጴጥሮስ ከኣ
ንየሱስ መሊሱ፡ መምህር፡ ኣብዚ ምንባር ንኣና ጽቡቕ እዩ። ሰለስተ ዳስ ክንሰርሕ፡ ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ
ንሙሴ ሓደ ኸኣ ንኤልያስ፡ በሎ። [6] ሰምቢዶም ነበሩ እሞ፡ ነቲ ዚብሎ ኣይፈልጦን ነበረ። [7] ደበና መጺኡ
ኣጕልበቦም። ካብቲ ደበና ኸኣ፡ እዚ ዘፍቅሮ ወደይ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ፡ ዚብል ድምጺ መጸ። [8]
ብኡብኡ ግልጽ ግልጽ ኢሎም እንተ ጠመቱ ኸኣ፡ ብዘይ የሱስ በይኑ፡ ምሳታቶም ሓደ እኳ ኣይረኣዩን። [9]
ካብ ከረን ኪወርዱ ኸለዉ ድማ፡ ወዲ ሰብ ካብ ምዉታት ምስ ተንስኤ እንተ ዘይኰይኑ፡ እቲ ዝረኣይዎ

ንሓደ እኳ ኸይነግሩ ኣዘዞም። 10 ነቲ ቓሉ ኸኣ ሐዝዎ፡ ንሓድሕዶምውን፡ ካብ ምዉታት ምትንሳእሲ
እንታይ ኰን እዩ፧ ኢሎም ተማራመሩ። 11 ንሳቶም ድማ፡ ከመይ ደኣ ጸሓፍቲ፡ ኤልያስ ቅድም ኪመጽእ
ይግባእ፡ ዚብሉ፡ ኢሎም ሐተትዎ። 12 ንሱ ኸኣ፡ ቅድም ኤልያስ ይመጽእ፡ ንዅሉ ኸኣ የቕንዕ። ብዛዕባ
ወዲ ሰብከ ኸመይ ተጽሒፉ ኣሎ፧ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብን ኪነዓቕን እዩ። 13 ኣነ ግና፡ ኤልያስ
መጺ፡ ከምቲ እተጻሕፈሉ ድማ፡ ዝደለዩ ዘበለ ገበርዎ፡ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሎም። 14 ናብቶም
ደቀ መዛሙርቲ ምስ መጸ፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸቢብዎም፡ ጸሓፍቲውን ኪካራኸርዎም ከለዉ ረኣየ። 15 ሽዑ
እቶም ህዝቢ ምስ ረኣይዎ፡ ሰምበዱ፡ ናብኡ ጐይዮም ከኣ ሰላም በልዎ። 16 ንጸሓፍቲ ድማ፡ ብዛዕባ
እንታይ ትካራኸርዎም ኣሎኹም፧ ኢሉ ሐተቶም። 17 ሓደ ኻብቶም ህዝቢ ኸኣ፡ መምህር፡ ንወደይ
ዘይዛረብ መንፈስ ሒዝዎስ ናባኻ ኣምጺኤዮ ኣሎኹ፡ 18 ኣብ ዝሓዞ ድማ የምበድብዶ፡ ንሱ ኸኣ ይዓፍር፡
ኣስናኑ ይሐርቅም ይነቅጽውን። ንደቀ መዛሙርትኻ ድማ ኬውጽእዎ ነጊረዮምሲ፡ ንሳቶም ግና
ኣይከኣሉን፡ ኢሉ መለሰሉ። 19 ንሱውን፡ ኣታ ዘይእሙን ወለዶ፡ ክሳዕ መኣዝ ምሳኻትኩም ክነብር እየ፧
ክሳዕ መኣዝሲ ኽዕገሰኩም እየ፧ ናባይ ኣምጽእዎ፡ ኢሉ መለሰ። 20 ናብኡ ድማ ኣምጽእዎ። ምስ ረኣዮ፡
ሽዑ እቲ መንፈስ ፈንጠርጠር ኣበሎ፡ ናብ ምድሪ ወዲቑ ኣንገርገረ ዓፈረ ኸኣ። 21 የሱስ ድማ ነቦኡ፡ እዚ
ኻብ ዚሕዞ ኽንደይ ዘመኑ እዩ፧ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ ኸኣ፡ ካብ ንእስነቱ፡ 22 ኬጥፍኦ ብዙሕ ሳዕ ኣብ
ሓውን ኣብ ማይን ደርብይዎ። ገለ ትክእል እንተ ዄንካ ግና፡ ደንግጸልናን ርድኣናን፡ በሎ። 23 የሱስ ከኣ፡
እትኽእል እንተ ዄንካ፡ ትብል ኣሎኻ። ንዚኣምን ኵሉ ይከኣል እዩ፡ በሎ። 24 ብኡብኡ ኣቦ እቲ ቈልዓ
ዓው ኢሉ፡ እኣምን፡ ንዘምእማነይ ደግፍ፡ በሎ። 25 የሱስ እቶም ሰብ ናብኡ ኺጐዩ ምስ ረኣየ፡ ነቲ ርኹስ
መንፈስ፡ ኣታ ዘይዛረብ ጸማም መንፈስ፡ እእዝዘካ ኣሎኹ፡ ካብኡ ውጻእ ተመሊስካውን ኣይትእተዎ፡
ኢሉ ገንሖ። 26 ገዓረ ብዙሕ ፈንጠርጠር ኣቢልዎ ኸኣ ወጸ፡ ብዙሓት ሞይቱ ኽሳዕ ዚብሉ ድማ፡ ከም
ሬሳ ኰነ። 27 የሱስ ግና ብኢዱ ሒዙ ኣተንስኦ እሞ ተንስኤ። 28 ናብ ቤት ምስ ኣተወ፡ ደቀ መዛሙርቱ
ብሕት ኢሎም፡ ከመይ ደኣ ንሕና ምውጻኡ ዝሰኣንና፧ ኢሎም ሐተትዎ። 29 ንሱውን፡ እዚ ኸምዚ ዝበለ
ዓሌት ብዘይ ብጸሎትን ብጾምን ኪወጽእ ኣይከኣልን እዩ፡ በሎም። 30 ካብኡ ወጺኦም ብገሊላ ሐለፉ።
ሓደ እኳ እዚ ኺፈልጥ ኣይፈተወን። 31 ንደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ይምህሮም ነበረ እሞ፡ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ
ሰብ ይወሃብ ኣሎ፡ ኪቐትልዎ ድማ እዮም፡ ምስ ተቐትለ ኸኣ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኺትንስእ እዩ፡
በሎም። 32 ንሳቶም ግና ነዚ ነገርዚ ኣየስተውዓልዎን፡ ከይሐትዎ ኸኣ ፈርሁ። 33 ኣብ ቅፍርናሆም በጽሔ።
ናብ ቤት ምስ ኣተወ ኸኣ፡ ኣብ መገዲ እትዛራረብሉ ዝነበርኩም እንታይ እዩ፧ ኢሉ ሐተቶም። 34
ንሳቶም ከኣ ኣብ መገዲ ንሓድሕዶም፡ መን ኰን ይበልጽ፧ ይባሃሃሉ ነበሩ እሞ፡ ኣጽቀጡ። 35 ምስ
ተቐመጠ ድማ ነቶም ዓሰርተው ክልተ ጸዊዑ፡ እቲ ቐድሚት ኪኸውን ዚደሊ ድሕሪ ዅሉን ግዙእ ኵሉን
ይኹን፡ በሎም። 36 ቈልዓ ወሲዱ ድማ ኣብ ማእከሎም ደው ኣበሎ፡ ሐቚፍዎ ኸኣ፡ 37 ካብዞም
ከምዚኣቶም ዝበሉ ናእሽቱ ንሓደ ብስመይ ዚቕበል ዘበለ ንኣይ እዩ ዚቕበል። እቲ ንኣይ ዚቕበል ከኣ ነቲ
ዝለኣኸኒ እዩ እምበር፡ ንኣይ ኣይኰነን ዚቕበል፡ በሎም። 38 ዮሃንስ ከኣ፡ መምህር፡ ሓደ ዘይስዕበና፡
ብስምካ ኣጋንንቲ ኼውጽእ ርኢናዮስ፡ ንሱ ስለ ዘይሰዓበና ኸሊእናዮ፡ በሎ። 39 የሱስ ከኣ በለ፡
ኣይትኸልእዎ። ብስመይ ሓይሊ ዚገብር እሞ ብኡብኡ ሕሱም ኪዛረበለይ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን። 40
ዘይበኣሰና ዘበለ ዅሉ ምሳና እዩ። 41 ናይ ክርስቶስ ስለ ዝዀንኩም፡ ጣሳ ማይ ዝሑል ብስመይ
ዜስትየኩም ዘበለ፡ ዓስቡ ኸም ዘይስእን፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 42 ነቲ ኻብዞም ብኣይ ዚኣምኑ
ናእሽቱ ንሓደ ዜስሕቲ፡ መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ኣብ ባሕሪ ኺጥሕል ምሔሾ ነይሩ። 43-44
ኢድካ እንተ ኣስሐተትካ፡ ቍረጻ። ክልተ ኢድ ኣልዩካ፡ ናብቲ ዘይጠፍእ ሓዊ፡ ሓሰኻኣም ኣብ

ዘይመውት፡ ሓዊውን ኣብ ዘይጠፍእ ገሃነም ካብ እትድርበስ፡ ቍሩጽ ኴንካ ናብ ህይወት ምእታው
ይሔሸካ። 45-46 እግርኻ እንተ ኣስሐተትካውን፡ ቁረጾ። ክልተ እግሪ ኣልዩካ፡ ናብ ዘይጠፍእ ሓዊ፡
ሓሳኻኦም ኣብ ዘይመውት፡ ሓዊውን ኣብ ዘይጠፍእ ካብ እትድርበስ፡ ሓንካስ ኴንካ ናብ ህይወት
ምእታው ይሔሸካ። 47-48 ዓይንኻ እንተ ኣስሐተትካውን፡ ኣንቍሮ። ክልተ ዓይኒ ኣልዩካ፡ ናብቲ
ሓሰኻኦም ኣብ ዘይመውት፡ ሓዊውን ዘይጠፍእ ናብ ሓዊ ገሃነም ካብ እትድርበስ፡ ነቋር ኴንካ ናብ
መንግስቲ ኣምላኽ ምእታው ይሔሸካ። 49 ነፍሲ ወከፍ ብሓዊ ይምቅር እዩ እሞ፡ ኵሉ መስዋእቲ ድማ
ብጨው እዩ ዚምቅር። 50 ጨው ጽቡቕ እዩ። እቲ ጨው መቐሬቱ እንተ ኸደኸ፡ ብምንታይ ተምቕርዎ፧
ኣብ ነፍስኹም ጨው ይሃሉኹም፡ ንሓድሕድኩምውን ብሰላም ንበሩ።

# ምዕራፍ 10

1 ካብኡ ተልዒሉ ናብ ወሰን ምድሪ ይሁዳን ናብ ማዕዶ ዮርዳኖስን መጸ። ከም ብሓድሽ ከኣ ብዙሕ
ህዝቢ ናብኡ ተኣከበ፡ ከምቲ ልማዱውን መሊሱ መሃሮም። 2 ፈሪሳውያን ድማ ምእንቲ ኺፍትንዎ
መጺኦም፡ ሰብኣይ ንሰበይቱ ኺፈትሓዶ ተፈቒድሉ እዩ፧ ኢሎም ሐተትዎ። 3 ንሱ ግና፡ ሙሴኸ እንታይ
ኣዘዘኩም፧ ኢሉ መለሰሎም። 4 ንሳቶም ከኣ፡ ሙሴስ ጽሕፈት መፍትሒኣ ጺሒፍና ኽንፈትሓ ፈቒዱልና
እዩ፡ በልዎ። 5 የሱስ ከኣ በሎም፡ ብሰሪ ትሪ ልብኹም እዩ እዚ ትእዛዝ እዚ ዝጸሐፈልኩም። 6 ካብ
መጀመርያ ፍጥረት ግና ኣምላኽ፡ ሰብኣይን ሰበይትን ገይሩ እዩ ዝፈጠሮም። 7 ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን
ኣዲኡን ሐዲጉ፡ ምስ ሰበይቱ ይጣበቕ፡ 8 ክልቲኦም ሓደ ስጋ ይኾኑ፡፡ ስለዚ ድማ ሓደ ስጋ እዮም
እምበር፡ ክልተ ኣይኰኑን። 9 እምበኣርከ ነቲ ኣምላኽ ዘጋጠሞስ፡ ሰብ ኣይፍለዮ። 10 ኣብ ቤት ከኣ ደቀ
መዛሙርቱ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ ኸም ብሓድሽ ሐተትዎ። 11 ንሱ ድማ፡ ዝኾነ ይኹን ሰበይቱ ፈቲሑ
ኻልእ ዜእቱ ኣብኣ ዘመወ። 12 እታ ሰብኣያ ፈቲሓ ንኻልእ እተኣትወት ድማ ዘመወት፡ በሎም። 13
ንቘልዑ ድማ ኪትንክዮም ናብኡ ኣምጽእዎም። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ግና ነቶም ዘምጽእዎም
ገንሕዎም። 14 የሱስ እዚ ምስ ረኣየ፡ ኣይፈተወሎምን እሞ፡ ሕደግዎም፡ ቈልዑ ናባይ ይምጽኡ።
መንግስቲ ኣምላኽ ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ እያ እሞ፡ ኣይትኽልእዎም። 15 ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም
ቈልዓ ኾይኑ ዘይተቐበላ ከቶ ኸም ዘይኣትዋ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። 16 ሓቝፉ ኢዱ
ኣንቢሩሎም ባረኾም። 17 ኣብ መገዲ ኪኸይድ ከሎ ድማ፡ ሓደ ናብኡ ጐየየ፡ ተምበርኪኹውን፡ ኣታ ሄር
መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽወርስ፡ እንታይ እግበር፧ ኢሉ ሐተቶ። 18 የሱስ ከኣ፡
ንምንታይ ሄር ትብለኒ፧ ብዘይ ሓደ ኣምላኽ ሄር የልቦን። 19 ነቲ ትእዛዛት ትፈልጦ ኣሎኻ፡ እኒ
ኣይትቕተል፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ኣይትዓምጽ፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡
በሎ። 20 ንሱ ኸኣ፡ መምህር፡ እዚ ኹሉስ ካብ ንእስነታይ ጀሚረ እሕልዎ ኣሎኹ፡ በሎ። 21 የሱስ ከኣ
ጠሚቱ ፈተዎ እሞ፡ ሓንቲ ጐዲላትካ። ኪድ፡ ዘለካ ኹሉ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፡ ኣብ ሰማይ ድማ
መዝገብ ክትረክብ ኢኻ እሞ ንዓ ስዓበኒ፡ በሎ። 22 ንሱ ግና በዚ ቓልዚ ተኸፍኤ፡ ብዙሕ ጥሪት ነበሮ
እሞ፡ እናጕሃየ ኸደ። 23 የሱስ ድማ ኣብ ዙርያኡ እናጠመተ ንደቀ መዛሙርቱ፡ ገንዘብ ንዘለዎም ኣብ
መንግስቲ ኣምላኽ ንምእታው ክንደይ ጭንቂ እዩ፡ በሎም። 24 እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ብዘረባኡ
ተገረሙ። የሱስ ድማ ንደቀ መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ መሊሱ በሎም፡ ደቀይ ብጥሪት ንዚእመኑ ኣብ
መንግስቲ ኣምላኽ ምእታው ክንደይ ጭንቂ እዩ። 25 ሃብታም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዚኣቱስ ገመል
ብዓይኒ መርፍእ ክትሓልፍ ይቐልል። 26 ብዙሕ ተገሪሞም፡ ንድሕዶም፡ መን ደኣ ኾን ኪድሕን ይከኣሎ፧

ተባሃሃሉ። 27 የሱስ ጠሚትዎም፡ ንኣምላኽ ኵሉ ይከኣሎ እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ ደኣ እምበር፡ ንሰብሲ
ኣይከኣሎን እዩ፡ በለ። 28 ጴጥሮስ ፥ እንሆ፡ ንሕና ኹሉ ሐዲግና ሰዓብናካ፡ ኪብሎ ጀመረ። 29 የሱስ
መለሰ በለውን ፥ ምእንታይን ምእንቲ ወንጌልን ኢሉ፡ ቤት፡ ወይ ኣሕዋት፡ ወይ ኣሓት፡ ወይ ኣቦ፡ ወይ
ኣደ፡ወይ ሰበይቲ፡ ወይ ውሉድ፡ ወይ ግርሁ ዝሐደገ ዘበለ፡ 30 ሕጂ ኣብዛ ዘመን እዚኣ ቤት፡ ኣሕዋት፡
ኣሓት፡ ኣደ፡ ውሉድ፡ ግርሁ፡ ሚእቲ ካዕበት ምስ ስደት፡ ኣብታ እትመጽእ ዓለም ከኣ ናይ ዘለኣለም
ህይወት ዘይረክብ የልቦን፡ ኢለ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ 31 ብዙሓት ቀዳሞት ዳሕሮት፡ ዳሕሮት ከኣ
ቀዳሞት ኪኾኑ እዮም። 32 ናብ የሩሳሌም ኪድይቡ ኣብ መገዲ ኸለዉ፡ የሱስ ቀቅድሚኦም ይኸይድ
ነበረ። ንሳቶም ከኣ ተገረሙ፡ እቶም ዚሰዕቡ ዘለዉውን ፈርሁ። ከም ብሓድሽ ድማ ነቶም ዓሰርተው
ክልተ ወሲዱ፡ እቲ ዚመጾ ዘሎ ኺነግሮም ጀመረ ፥ 33 እንሆ፡ ናብ የሩሳሌም ንድይብ ኣሎና፡ ንወዲ ሰብ
ኣብ ሊቃውንቲ ኻህናትን ኣብ ጸሓፍትን ኬትሕዝዎ እዮም። ንሳቶም ድማ ፍርዲ ሞት ኪፈርዱሉ፡
ነህዛብውን ኣሕሊፎም ኪህብዎ እዮም። 34 ኬላግጹሉ፡ ጡፍ ኪብሉሉ፡ ኪገርፍዎ፡ ኪቕትልዎ፡ ድሕሪ
ሰለስተ መዓልቲውን ኪትንስእ እዩ፡ በሎም። 35 ያእቆብን ዮሃንስን ደቂ ዘብዴዎስ ናብኡ ቐሪቦም፡
መምህር፡ ዝለመንናካ ኽትገብረልና ንደሊ ኣሎና፡ በልዎ። 36 ንሱ ኸኣ ፥ እንታይ ክገብረልኩም ትደልዩ
ኣሎኹም፧ በሎም። 37 ንሳቶም ድማ፡ ኣብቲ፡ ኽብርኻ ሓዴና ኣብ የማን ሓዴና ድማ ኣብ ጸጋምካ
ኽንቕመጥ ሃበና፡ በልዎ። 38 የሱስ ግና ፥ እትልምንዎ ኣይትፈልጡን ኢኹም። እታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋእ
ክትሰትዩ፡ እታ ኣነ ዝጥመቓ ጥምቀትውን ክትጥመቑሽ ይከኣለኩም ድዩ፧ በሎም። 39 ንሳቶም ከኣ ፥
ይከኣለና እዩ፡ በልዎ። የሱስ ከኣ ፥ ነታ ኣነ ዝሰትያ ጽዋእሲ ኽትሰትይዋ፡ ነታ ኣነ ዝጥመቓ ጥምቀትውን
ክትጥመቕዋ ኢኹም። 40 ኣብ የማነይ ኣብ ጸጋመይ ምቕማጥ ግና ነቶም እተዳለወሎም እዩ እምበር፡ ኣነ
ኣይኰንኩን ዝህቦ፡ በሎም። 41 እቶም ዓሰርተ ሰሚዖም፡ ብያእቆብን ዮሃንስን ኪናደዱ ጀመሩ። 42 የሱስ
ድማ ናብኡ ጸዊዑ ፥ ነህዛብ እቶም ከም ሸየምቶም ዚቝጸሩ ኽም ዚገዝእዎም፡ እቶም ዓበይቶምውን
ከም ዚመልክዎም ትፈልጡ ኣሎኹም። 43 ኣባኻትኩም ግና ከምዚ ኣይኰነን። እቲ ዓብዪ ኪኸውን
ዚደሊ ግዙእኩም ደኣ ይኹን። 44 ካባኻትኩም ምርኡይ ኪኸውን ዚደሊ ኸኣ፡ ንሱ ባርያ ኹሉ ይኹን። 45
ወዲ ሰብ ድማ ኬገልግል ህይወቱውን በጃ ብዙሓት ኪህብ እምበር፡ ኬገልግልዎ ኢሉ ኣይመጸን፡
በሎም። 46 ኣብ ያሪኮ ድማ ኣተወ። ካብ ያሪኮ ምስ ደቀ መዛሙርቱን ምስ ብዙሕ ህዝብን ኪወጽእ ከሎ
ኸኣ፡ በርጢሜዎስ፡ እቲ ዕዉር ወዲ ጢሜዎስ፡ ኣብ ጥቓ መገዲ ተቐሚጡ ይልምን ነበረ። 47 የሱስ፡ እቲ
ናዝራዊ ምዃኑ ምስ ሰምዔ ድማ፡ ዓው ኢሉ፡ የሱስ ወዲ ዳዊት ምሐረኒ፡ ኪብል ጀመረ። 48 ብዙሓት
ድማ ስቕ ኪብል ገንሕዎ፡ ንሱ ግና ፥ ኣታ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረኒ፡ እናበለ ኣዝዩ ጨደረ። 49 የሱስ ድማ
ደው ኢሉ ፥ ጸውዕዎ፡ በለ። ነቲ ዕዉር ከኣ ጸዊዖም ፥ ኣጆኻ፡ ተንስእ፡ ይጽውዓካ ኣሎ፡ በልዎ። 50
ተንሲኡ፡ ባርኖሱ ኣውጺኡ፡ ናብ የሱስ መጸ። 51 የሱስ ድማ ፥ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ኣሎኻ፧ ኢሉ
መለሰሉ። እቲ ዕዉር ከኣ ፥ ረቡኒ፡ ክርኢ፡ በሎ። 52 የሱስ ከኣ ፥ ኪድ፡ እምነትካ ኣሕወየትካ፡ በሎ።
ብኡብኡ ረኣየ፡ ኣብ መገዲውን ሰዓቦ።

# ምዕራፍ 11

1 ናብ የሩሳሌም፡ ናብ ቤትፋጌ፡ ናብ ቢታንያ ኣብ ጥቓ ደብረ ዘይቲ ምስ ቀረበ ድማ፡ ካብ ደቀ
መዛሙርቱ ኽልተ ለኣኸ። 2 በሎምውን ፥ ኣብ መንጽርኩም ናብ ዘላ ዓዲ ኺዱ። ናብኣ ኽትኣትዉ
ኸሎኹም፡ ብኡብኡ ሰብ ዘይተወጥሖ እሱር ጻዕብ ክትረኽቡ ኢኹም። ፈቲሕኩም ከኣ ኣምጽኡለይ። 3

ገለ ሰብ ፥ ከመይከ እዚ ትገብሩ አሎኹም፧ እንተ በለኩም ፥ ጐይታ ይደልዮ አሎ፡ ኢልኩም ንገርዎ።
ንሱ ኸኣ ብሉብሉ ነጀው ኪሰዶ እዩ። [4] ከዱ፡ ነቲ ጻዕብ ድማ ኣብ ደገ ኣብ ጥቓ መገዲ ተኣሲሩ ረኸብዎ
ፈትሕዎውን። [5] ካብቶም ኣብኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ሓያሎ ኸኣ ፥ ኣቱም ጻዕብ እትፈትሑ፡ እንታይ
ትገብሩ አሎኹም፧ በልዎም። [6] ከምታ የሱስ ዝበሎም በልዎም፡ ንሳቶም ከኣ ሐደግዎም። [7] ነቲ ጻዕብ ከኣ
ናብ የሱስ ወሰድዎ፡ ክዳውንቶምውን ጠየቕዎ፡ ንሱ ኸኣ ኣብኡ ተወጥሔ። [8] ብዙሓት ድማ ኣብቲ መገዲ
ኽዳውንቶም ኣንጸፉ፡ ካልኦት ከኣ ካብ ኣእዋም ጨጨንፈሩ ሰሊዖም ነስነሱ። [9] ቀቅድሚኡ ዚኸዱን
ደድሕሪኡ ዚስዕቡን ከኣ ዓው ኢሎም ፥ ሆሳእና፡ ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ። [10] እታ
እትመጽእ ዘላ መንግስቲ ኣቦና ዳዊት ብርኽቲ እያ፡ ሆሳእና ኣብ ኣርያም፡ በሉ። [11] የሱስ ኣብ የሩሳሌም
ናብ ቤተ መቕደስ ኣተወ። ንዅሉ ግልጽ ኢሉ ምስ ጠመቶ፡ መስዩ ነበረ እሞ፡ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ
ናብ ቢታንያ ወጸ። [12] ንጽብሒቱ ድማ ካብ ቢታንያ ኺወጹ ጠመየ። [13] ብርሑቕ ከኣ ቈጻል በለስ ረኣየ፡
ምናልባሽ ገለ እንተ ረኸበላ ኺርኢ ኸኣ ናብኣ ኸደ። ናብኣ መጺኡ ኸኣ፡ ጊዜ በለስ ኣይነበረን እሞ፡
ቈጽሊ እምበር፡ ገለ እኳ ኣይረኸበላን። [14] መሊሱ ድማ ፥ ካባኺ ሓደ እኳ ንዘለኣለም ፍረ ኣይብላዕ፡
በላ። ደቀ መዛሙርቱውን ሰምዕዎ። [15] ናብ የሩሳሌም ከኣ መጹ። ናብ ቤተ መቕደስ ኣትዩ ኸኣ፡ ነቶም
ኣብታ ቤተ መቕደስ ኰይኖም ዚሸጡን ዚሻየጡን ኬውጽኦም ጀመረ። ሰደቓ ሸረፍትን መንበር ሸየጥቲ
ርግብን ደንከለ። [16] ሓደ እኳ ኣቕሓ ጾይሩ በታ ቤተ መቕደስ ኪሐልፍ ኣይፈቐደን እሞ ፥ [17] ቤተይ
ንዅሎም ኣህዛብ ቤት ጸሎት ትብሃል፡ ጽሑፍ ደይኰነን ንስኻትኩም ግና በዓቲ ጐሓሉት ገበርኩምዋ፡
ኢሉውን መሃሮም። [18] ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ድማ ሰምዑ፡ ብዘሎ እቲ ህዝቢ ብምህሮኡ ስለ
እተገረመ ኸኣ፡ ይፈርህዎ ነበሩ እሞ፡ ከመይ ገይሮም ከም ዜጥፍእዎ ይደልዩ ነበሩ። [19] ምስ መሰየ ድማ፡
ናብ ወጻኢ እታ ኸተማ ወጸ። [20] ንግሆ ኺሐልፉ ኸለዉ፡ ነታ በለስ ካብ ሱራ ነቒጻ ረኣይዋ። [21] ጴጥሮስ
ድማ ዘኪሩ ፥ መምህር፡ እንሃ፡ እታ ዝረገምካያ በለስ ነቒጻ፡ በሎ። [22] የሱስ ድማ መለሰ በሎምውን፡
ብኣምላኽ እመኑ። [23] ዝዀነ ይኩን እቲ ዝበሎ ኽም ዚኸውን ዚኣምን እምበር፡ ብልቡ ዘይዋላወል፡ ነዚ
ኸረን፡ ተንሲእካ ናብ ባሕሪ ጥሐል፡ እንተ በሎ፡ ንእኡ ኽም ዚዀነሉ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። [24]
ስለ ፥ እትጽልይዎን እትልምንዎን ዘበለ ኽም ዝረኸብኩም እመኑ እሞ ኪኸነልኩም እዩ፡ እብለኩም
አሎኹ። [25] ደው ኢልኩም ክትጽልዩ ኸሎኹም ድማ፡ እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም በደልኩም ምእንቲ
ኺሐድገልኩም፡ ኣብ ብጻይኩም ገለ እንተ አሎኩም፡ ሕደጉሉ። [26] ንስኻትኩም እንተ ዘይሐደግኩም ግና፡
እቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ ኣቦኹም ድማ በደልኩም ኣይሐድገልኩምን እዩ። [27] ተመሊሶም ከኣ ናብ የሩሳሌም
መጹ። ኣብ ቤተ መቕደስ ኪመላለስ ከሎ፡ ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ዓበይትን ናብኡ መጹ እሞ፡
[28] በየናይ ስልጣን እዚ ትገብር አሎኻ፧ ወይስ እዚ ንምግባር ዘሰልጠነካ መን እዩ፧ በልዎ። [29] የሱስ ድማ፡
ኣነውን ሓንቲ ነገር እሐተኩም አሎኹ። ምለሱለይ፡ ኣነ ኸኣ በየናይ ስልጣን እዚ ኽም ዝገብር
ክነግረኩም እየ። [30] ጥምቀት ዮሃንስ ኻብ ሰማይ ድያ ወይስ ካብ ሰብ፧ እስኪ ምለሱለይ። [31]
ንሓድሕዶም ከኣ ከምዚ እናበሉ ተዛራረቡ፡ ካብ ሰማይ እንተ በልናዮ፡ ከመይ ደኣ ዘይኣመንኩምዎ፧
ኪብለና እዩ። [32] ካብ ሰብ እንተ በልናዮ ኸኣ፡ ንዮሃንስ ኵሎም ብሓቂ ኽም ነብዪ ይርእይዎ ነበሩ እሞ፡
ነዚ ህዝቢ ፈርሁ። [33] ንየሱስ፡ ኣይንፈልጥን፡ ኢሎም መለስሉ። የሱስ ከኣ፡ ኣነውን በየናይ ስልጣን እዚ
ኽም ዝገብር፡ ኣይነግረኩምን እየ፡ በሎም።

## ምዕራፍ 12

1 ብምስላ ድማ ኪብሎም ጀመረ፡ ሰብኣይ ኣታኽልቲ ወይኒ ተኸለ፡ ሓጹር ሐጸሮ፡ መሓምተሊ ኸኣ
ኲዓተሉ፡ ግምቢውን ሰርሓሉ፡ ንዓየይቲ ብመገስ ሂብዎም ድማ ገሸ። 2 ጊዜኡ ምስ በጽሔ፡ ካብቶም
ዓየይቲ ፍረ እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ኬምጽኣሉ፡ ናብቶም ዓየይቲ ባርያኡ ለኣኸ። 3 ንሳቶም ግና ሒዞም
ገሪፎም፡ ጥራይ ኢዱ ሰደድዎ። 4 ከም ብሓድሽ ካልእ ባርያ ናባታቶም ለኣኸ። ንእኡ ኸኣ ርእሱ ብእምኒ
ፈግእዎ፡ ኣሕሲሮምውን ሰደድዎ። 5 ካልእ ድማ ለኣኸ፡ ንእኡውን ቀተልዎ። ብዙሓት ካልኦት ከኣ ለኣኸ፡
ንገሊኦም ገረፍዎም፡ ንገሊኦም ድማ ቐተልዎም። 6 ገና ዜፍቅሮ ሓደ ወዲ ነበሮ። ኣብ መወዳእታ ፥ እስኪ
ንወደይ እንተ ሐፈርዎ፡ ኢሉ ንእኡ ናባታቶም ለኣኾ። 7 እቶም ዓየይቲ ግና፡ እዚ እቲ ወራሲ እዩ፡ ንዑ
ንቕተሎ እሞ እቲ ርስቱ ንኣና ኪኸውን፡ ተበሃሃሉ። 8 ሒዞም ቀተልዎ፡ ካብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ ናብ
ወጻኢ ደርበይዎ። 9 እቲ ጐይታ ኣታኽልቲ ወይኒ ሕጂ ደኣ እንታይ ኪገብር እዩ፧ መጺኡ ነቶም ዓየይቲ
ኬጥፍኦም፡ እቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ ንኻልኦት ኪህቦም እዩ። 10-11 እታ ፥ ነደቕቲ ዝነዓቕዋ እምኒ፡ ንሱ
ርእሲ መኣዝን ኰነ፡ እዚ ኻብ እግዚኣብሄር ኰነ፡ ኣብ ኣዒንትናውን ግሩም እዩ፡ እትብል ጽሕፈትሲ
ከቶ ኣየንበብኩምዋን ኢኹም፧ 12 ነዚ ምስላ እዚ ብዛዕባኦም ከም ዝበሎ ፈሊጦም ነበሩ እሞ፡ ኪሕዝዎ
ደለዩ፡ ነቶም ህዝቢ ፈሪሆም ግና፡ ሐዲጎምዎ ኸዱ። 13 ብዘረባ ኺጠልፍዎ ኸኣ፡ ካብ ፈሪሳውያንን ካብ
ሄሮድሳውያንን ሓያሎ ሰደዱሉ። 14 መጺኦም ድማ፡ መምህር፡ መገዲ ኣምላኽ ደኣ ብሓቂ ትምህር ኣሎኻ
እምበር፡ ነዚ ነቲ ኣይትብልን ኢኻ እሞ፡ ገጽ ሰብ ርኢኻ ዘይተዳሉ ሓቀኛ ምዃንካ ንፈልጥ ኣሎና።
ንቄሳር ግብሪ ምሃብሲ ተፈቒዱ ድዩ ወይስ ኣይፋሉን፧ ንሃብዶ ኣይንሃብ፧ በልዎ። 15 የሱስ ግብዝናኦም
ፈሊጡ፡ ስለምንታይ ትፍትኑኒ ኣሎኹም፧ እቲ ዲናር ክርእዮ ኣምጽኡለይ፡ በሎም። 16 ኣምጽኡሉ። ንሱ
ኸኣ ፥ እዝስ ስእሉን ጽሕፈቱን ናይ መን እዩ፧ በሎም። ንሳቶም፡ ናይ ቄሳር፡ በልዎ። 17 የሱስ ከኣ፡
እምብኣርሲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፡ እቲ ናይ ኣምላኽውን ንኣምላኽ ሃቡ፡ ኢሉ መለሰሎም። ብእኡ ድማ
ገረሞም። 18 ትንሳኤ የልቦን ዚብሉ ሰዱቃውያን ከኣ ናብኡ መጹ፡ ከምዚ ኢሎምውን ሐተትዎ፡ 19
መምህር፡ ሓዉ ዝሞቶ ዘበለ ውሉድ ከይወለደውን ሰበይቱ እንተ ሐደገ፡ ነታ ሰበይቱ እቲ ሓዉ ይውረሳ
እሞ፡ ንሓዉ ዘርኢ የቚመሉ፡ ኢሉ ሙሴ ጸሐፈልና። 20 ሾብዓተ ኣሕዋት ነበሩ። እቲ ቐዳማይ ሰበይቲ
ኣእተወ፡ ውሉድ ከይሐደገ ኸኣ ሞተ። 21 እቲ ኻልኣይ ድማ ወረሳ፡ ሐድጊ ኸይሐደገውን ሞተ። እቲ
ሳልሳይ ኸኣ ኸምኡ። 22 ሾብዓቲኦም ከኣ ሓድጊ ኣይሐደጉን። ድሕሪ ዅሎም ድማ እታ ሰበይቲ ሞተት።
23 ሾብዓቲኦም ኣእትዮምዋ ነይሮም እዮም እሞ፡ ብትንሳኤ ምስ ተንስኡስ፡ ሰበይቲ መኖም ክትከውን
እያ፧ 24 የሱስ ከኣ ፥ መጻሕፍቲ ኾነ ወይስ ሓይሊ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጥኩም ደይኰንኩምን እትስሕቱ
ዘሎኹም፧ 25 ካብ ምዉታት ምስ ተንስኡስ፡ ከም መላእኽቲ ኣምላኽ ኣብ ሰማያት እዮም ዚኾኑ
እምበር፡ ኣየእትዉን ኣየተኣታትዉን እዮም። 26 ብዛዕባ ምዉታት ከም ዚትንስኡኸ፡ ኣብ መጽሓፍ ሙሴ፡
ኣምላኽ ኣብቲ ኣሻኹ ቄጥቋጥ ፥ ኣነ ኣምላኽ ኣብርሃምን ኣምላኽ ይስሃቅን ኣምላኽ ያእቆብን እየ፡ ኢሉ
ኸም ዝበለዶ ኣየንበብኩምን ኢኹም፧ 27 ንሱ ናይ ህያዋን ኣምላኽ እምበር፡ ናይ ምዉታት ኣምላኽ
ኣይኰነን። ንስኻትኩም ኣዚኹም ትስሕቱ ኣሎኹም፡ ኢሉ መለሰሎም። 28 ካብ ጸሓፍቲ ሓደ ኽርክሮም
ሰሚዑ ቐረበ፡ ጽቡቕ ከም ዝመለሰሎም ርእዩ ኸኣ ፥ ካብ ኵለን ትእዛዛትሲ ኣየነይቲ እያ ቀዳመይቲ፧
ኢሉ ሐተቶ። 29 የሱስ መለሰ ፥ እታ ቐዳመይቲ እዚኣ እያ ፥ እስራኤል፡ ስማዕ ፥ እግዚኣብሄር ኣምላኽና፡
ንሱ በይኑ እዩ እግዚኣብሄር። 30 ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብዅሉ ንፍስኻን ብዅሉ
ሓሳብካን ብዅሉ ሓይልኻን ኣፍቕሮ። እታ ቐዳመይቲ ትእዛዝ እዚኣ እያ። 31 እታ ኻልኤይታ እትመልሳ
ድማ ፥ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቕሮ፡ እያ። ካብ እዚኣተን እትዓቢ ኽልእ ትእዛዝ የልቦን። 32 እቲ
ጸሓፊ ኸኣ ፥ መምህር፡ ብሓቂ ጽቡቕ ተዛረብካ፡ ኣምላኽ ሓደ እዩ፡ ብጀካኡ ድማ ካልእ የልቦን። 33

ብምሉእ ልብኻን ብምሉእ ኣእምሮኻን ብዅሉ ሓይልኻን ከተፍቅሮ ንብጻይካውን ከም ነፍስኻ
ኽተፍቅሮ፡ እዚ ኻብ ኵሉ ዚሐርር መስዋእትን ካብ መስዋእቲ ሕሩድን ዚዓቢ እዩ፡ በሎ። 34 የሱስ ድማ፡
በእምሮ ኸም ዝመለሰ ምስ ረኣየ ፥ ንስኻስ ካብ መንግስቲ ኣምላኽ ርሑቕ ኣይኰንካን፡ በሎ። ደጊሙ
ኺሐቶ ኸኣ ሓደ እኳ ኣይደፈረን። 35 የሱስ ድማ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪምህር ከሎ፡ መለሰ በለውን ፥
ጸሓፍቲ ኸመይ ኢሎም እዮም ፥ ክርስቶስ ወዲ ዳዊት እዩ ዝብሉ፧ 36 ዳዊት ባዕሉ ብመንፈስ ቅዱስ ፥
ጐይታ ንጐይታይ ፥ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ሳዕ ዝገብሮም፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡ በሎ፡ ይብል። 37
ዳዊት ባዕሉ ጐይታይ ካብ ዚብሎ ደኣ፡ ከመይ ኢሉ ወዱ ይኾኖ፧ እቶም ብዙሓት ሰብ ድማ ባህ
ኢልዎም ሰምዕዎ። 38-39 ብምህሮኡ ኸኣ በሎም ፥ ካብቶም ነዊሕ ባርኖስ ተኸዲኖም ዚዞሩን ኣብ
ዕዳጋውን ኪሳለምዎም ዚፈትዉን ኣብ ቤት ጸሎት ኣውራ ምቕማጥ፡ ኣብ መኣዲ ኸኣ ስፍራ ኽብሪ
ዚደልዩን ጸሓፍቲ ተጠንቀቑ። 40 ኣባይቲ መበለታት ይውሕጡ፡ ኬምስሉ ኸኣ ጸሎት የንውሑ።
እዚኣቶም ዝገደደ ፍርዲ ኪቕበሉ እዮም። 41 የሱስ ድማ ኣብ መንጽር ሳጹን ምጽዋት ተቐሚጡ፡ እቶም
ሰብ ኣብቲ ሳጹን ምጽዋት ከመይ ገይሮም ገንዘብ ከም ዜውድቑ ረኣየ። ብዙሓት ሃብታማት ብዙሕ
ኣውደቑ። 42 ሓንቲ ድኻ መበለት ከኣ መጺኣ ኽልተ ለብጦን፡ ሓደ ቆድራንቴን ዚኣክል፡ ኣውደቐት። 43
ንደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ ኸኣ ፥ እዛ ድኻ መበለት እዚኣ ኻብዞም ኣብዚ ሳጹን ምጽዋት ዘውደቑ ዅሎም
ዚበዝሕ ከም ዘውደቐት፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 44 ኵሎም ካብ ተረፎም እዮም ዘውደቑ እሞ፡ እዚኣ
ግና ካብ ድኽነታ ዘለዋ ዘበለ ዅሉ ምግባ እያ ዝሃበት፡ በሎም።

## ምዕራፍ 13

1 ካብ ቤተ መቕደስ ምስ ወጸ ድማ፡ ሓደ ኻብ ደቀ መዛሙርቱ ፥ መምህር፡ ከመይ ዝበለ ኣእማንን
ከመይ ዝበለ ህንጻንማ ርኤ፡ በሎ። 2 የሱስ ድማ ፥ ነዚ ዓብዪ ህንጻዶ ትርእዮ ኣሎኻ፧ ዘይፈርስ እምኒ
ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይኪትርፍን እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። 3 ኣብ ደብረ ዘይቲ ኣብ ማዕዶ ቤተ መቕደስ
ተቐሚጡ ኸሎ፡ ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን እንድርያስን ብሕት ኢሎም ፥ 4 እስኪ ንገረና፡ እዚ መኣዝ
ኪኸውን እዩ፧ እዚ ዅሉ መኣዝ ከም ዚፍጸምሲ፡ ትእምርቱ እንታይ እዩ፧ ኢሎም ሐተትዎ። 5 የሱስ ከኣ
ኪብሎም ጀመረ፡ ሓደ እኳ ኸየስሕተኩም ተጠንቀቑ። 6 ብዙሓት ፥ ኣነ እየ፡ እናበሉ ብስመይ ኪመጹ
እዮም እሞ፡ ንብዙሓት ከኣ ኬስሕቱ እዮም። 7 ውግእን ወረ ውግእን እንተ ሰማዕኩም፡ ኣይትሸበሩ። እዚ
ኪኸውን ብግዲ እዩ፡ ግናኸ መወዳእታ ገና እዩ። 8 ህዝቢ ናብ ህዝቢ፡ መንግስቲውን ናብ መንግስቲ
ኺለዓል እዩ እሞ፡ በብቦታኡ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኪኸውን፡ ጥሜት ኪኸውን እዩ። እዚ መጀመርያ
ቕልውላው እዩ። 9 ንኣታቶም ንምስክር ግና ምእንታይ ንዋዕላ ኣሕሊፎም ኪህብኹም፡ ኣብ ቤት
ጸሎቶምውን ኪገርፉኹም፡ ኣብ ቅድሚ መኳንንትን ነገስታትን ከኣ ደው ኬብሉኹም እዮም እሞ፡
ንርእስኹም ተጠንቀቑ። 10 ቅድም ንዅሎም ኣህዛብ ወንጌል ኪስበኽ ከኣ ብግዲ እዩ። 11 መንፈስ ቅዱስ
እዩ እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይኰንኩምን እትዛረቡ እሞ፡ ኣሕሊፎም ኪህቡኹም ምስ ወሰዱኹም፡
እንታይ ከም እትዛረቡ ኣቐዲምኩም ኣይትጨነቑ፡ እቲ በታ ሰዓት እቲኣ ዚውሃበኩም ደኣ ተዛረቡ። 12
ሓው ንሓው፡ ወላዲ ንውሉዱ ኣሕሊፉ ንሞት ኪህብ እዩ። ውሉድውን ናብ ወለዶም ተንሲኦም
ኪቕትልዎም እዮም። 13 ምእንቲ ስመይ ከኣ ኵሉ ኺጸልኣኩም እዩ። እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና፡
ንሱ ኺድሕን እዩ። 14 እቲ ብነብዪ ዳንኤል እተባህለ ጥፍኣት ርኽሰት ኣብ ዘይግብኦ ስፍራ ቈይሙ እንተ
ርኤኹም፡ እቲ ዜንብብ የስተውዕል፡ ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን ይህደሙ። 15 ኣብ ዝባን

ናሕሲ ዘሎ ኸኣ፡ ካብ ቤቱ ገለ ኺማላእ ኣይውረድ ኣይእቶውን። [16] ኣብ ወፍሪ ዘሎ ኸኣ ክዳኑ ኺማላእ
ንድሕሪት ኣይመለስ። [17] በታ ቕነ እቲኣ ግና ንጥኑሳትን ንዜጥብዋን ወይለኤን። [18-19] ካብታ ኣምላኽ
መጀመርያ ፍጥረት ዝፈጠረላ ኽሳዕ ሎሚ ኸምኡ ዘይኰነ፡ ድማ ከቶ ዘይከውን መከራ በታ ቕነ እቲኣ
ኪኸውን እዩ እሞ፡ ምህዳምኩም ብኽረምቲ ኸይከውንሲ ጸልዩ። [20] እተን መዓልትታት እቲኤን
እግዚኣብሄር እንተ ዘየሕጽረንሲ፡ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣይምደሐነን ነይሩ። ምእንቲ እቶም ንሱ ዝሐረዮም
ሕሩያት ግና ነተን መዓልትታት እቲኤን ኣሕጺረን። [21] ሽዑ ሓደ እኳ፡ ክርስቶስ ኣብዚ እንሆ፡ ወይስ ኣብቲ
ኣሎ፡ እንተ በለኩም፡ ኣይትእመኑ። [22] ናይ ሓሶት ክርስቶሳትን ናይ ሓሶት ነብያትን ኪትንስኡ እዮም
እሞ፡ እንተ ተኻእሎምሲ፡ ነቶም ሕሩያትውን ኬስሕቱ፡ ትእምርትን ተኣምራትን ኪገብሩ እዮም። [23]
ንስኻትኩም ግና ተጠንቀቑ። እንሆ ኣቐዲመ ኹሉ ነገርኩኹም። [24] በታ ቕነ እቲኣ ድሕርዚ መከራዚ
ጸሓይ ክትጽልምት፡ ወርሒውን ብርሃና ኣይክትህብን እያ። [25] ከዋኽብቲ ኸኣ ካብ ሰማይ ኪወድቁ፡
ሓይልታት ሰማያትውን ኬንቀጥቅጡ እዮም። [26] ሽዑ ንወዲ ሰብ ብብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና
ኺመጽእ ከሎ፡ ኪርእይዎ እዮም። [27] ሽዑ ኸኣ ንመላእኽቱ ኺልእኮም፡ ነቶም ሕሩያቱ ድማ ካብ
ኣርባዕተ መኣዝን ንፋሳት፡ ካብ ወሰን ምድሪ ኽሳዕ ወሰን ሰማይ ኪእክቦም እዩ። [28] ምስላኡ ኻብ ኦም
በለስ ተምሃሩ። ጨናፍራ ምስ ለምለመ ቈጽላውን ምስ ጠጥዔ፡ ክረምቲ ኸም ዝቐረበ፡ ትፈልጡ
ኢኹም። [29] ንስኻትኩም ድማ ከምኡ እዚ ኪኸውን ከሎ እንተ ርኤኹም፡ ኣብ ኣፍ ቤት ከም ዝቐረበ
ፍለጡ። [30] እዚ ኹሉ ኽሳዕ ዚኸውን፡ እዚ ወለዶ እዚ ኸም ዘይሐልፍ፡ ብሓቂ ኣብለኩም ኣሎኹ። [31]
ሰማይን ምድርን ኪሐልፍ፡ ቃለይ ግና ኣይኪሐልፍን እዩ። [32] ብዛዕባ እታ መዓልቲ እቲኣን እታ ሰዓት
እቲኣን ግና ኣቦ ደኣ እምበር፡ መላእኽቲ ሰማይ ኰኑ ወዲ ኾነ ሐደ እኳ ዚፈልጥ የልቦን። [33] እቲ ጊዜኡ
መኣዝ ምዃኑ ኣይትፈልጥዎን ኢኹም እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑን ጸልዩን። [34] ከም ዝገሸ ሰብ እዩ ፥ ቤቱ
ኺሐድግ ከሎ፡ ንባሮቱ ስልጣን ሃቦም፡ ንነፍሲ ወከፍ ከኣ ዕዮኡ፡ ንሓላው ደገውን ኪነቅሕ ኣዘዞ። [35-36]
እቲ ብዓል ቤት መኣዝ ከም ዚመጽእ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም እሞ፡ ወይ ምሸት፡ ወይ ፍርቂ ለይቲ፡ ወይ
ደርሆ ነቆ፡ ወይ ከኣ ንግሆ፡ ብድንገት መጺኡ ደቂስኩም ከይረኽበኩምሲ፡ ስለዚ ንቕሑ። [37] እዚ
ንኣኻትኩም ዝብለኩም ዘሎኹ፡ ንኹሉ እብሎ ኣሎኹ ፥ ንቕሑ።

# ምዕራፍ 14

[1] ድሕሪ ኽልተ መዓልቲ ፋስጋን በዓል ቅጫን ነበረ። ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሐፍትን ብተንኰል ሒዞም
ኪቐትልዎ ደለዩ። [2] ግናኸ ኣብ ህዝቢ ጋሮ ኸይለዓልሲ ብበዓል ኣይኹን፡ በሉ። [3] ኣብ ቢታንያ ኣብ ቤት
ስምኦን፡ እቲ ለምጻም፡ ኣብ መኣዲ ተቐሚጡ ኸሎ፡ ሓንቲ ሰበይቲ ብዙሕ ዝዋጋኡ ጽሩይ ቅብኢ
ናርዶስ ዝመልኤ ቢልቃጥ ሒዛ መጸት። ነቲ ቢልቃጥ ሰቢራ ኸኣ ኣብ ርእሱ ኣፍሰሰቶ። [4] ሓያሎ ብልቦም
እናተናደዱ ፥ ንምንታይ እዚ ጥፍኣት ቅዱይ ቅብኢ ኾነ፧ [5] እዚ ቕዱይ ቅብኢ እዚ ኻብ ሰለስተ ሚእቲ
ዲናር ንዚበዝሕ ተሸይጡስ፡ ንድኻታት ግዳ ምተዋህበ ነይሩ፡ ኢሎም ኲረዩላ። [6] የሱስ ግና ፥
ስለምንታይ ተጕህይዋ ኣሎኹም፧ ሕደግዋ፡ ጽቡቕ ግብሪ ገይራትለይ ኣላ። [7] ድኻታትሲ ኹሉ ሳዕ
ምሳኻትኩም ኣለዉ፡ ጽቡቕ ክትገብሩሎም እንተ ደሌኹም ከኣ፡ ይከኣለኩም እዩ። ንኣይ ግና ኵሉ ሳዕ
ኣይትረኽቡንን ኢኹም። [8] ዚከኣላ ገበረት፡ ኣቐዲማ ንቐብረይ ስጋይ ቀብኤት። [9] እዚ ወንጌል እዚ ኣብ
እተሰብኮ ዘበለ ኣብ ኵላ ዓለም፡ እዚ ንሳ ዝገበረቶ ንመዘከሪኣ ኸም ዚንገር፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡
በለ። [10] ይሁዳ ኣስቆሮታዊ፡ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፡ ንእኡ ኣሕሊፉ ኺህቦም፡ ናብ ሊቃውንቲ

ኻህናት ከደ። 11 ሰሚዖም ተሓጒሱ። ኣቕራሽ ኪህብዎ ኸኣ ኣውዐሉሉ። ንሱ ድማ ኣሕሊፉ ኺህቦም
ምሹእ ጊዜ ይደሊ ነበረ። 12 በታ ገንሸል ፋስጋ ዚሕረደላ ቐዳመይቲ መዓልቲ በዓል ቅጫ፡ ደቀ
መዛሙርቱ ፥ ገንሸል ፋስጋ ኽትበልዕ፡ ናበይ ኬድና ኽነዳልወልካ ትደሊ፧ በልዎ። 13 ካብቶም ደቀ
መዛሙርቱ ኽልተ ልኢኹ ድማ፡ ናብ ከተማ ኺዱ፡ ኣብኡ ዕትሮ ማይ እተሰከመ ሰብኣይ ክትረኽቡ
ኢኹም፡ ንእኡ ስዓብዎ። 14 ኣብታ ዚኣትዋ ኸኣ ነቲ ብዓል ቤት ፥ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ገንሸል ፋስጋ
ዝበልዓላ ቤት ኣጋይሽ ኣበይ እያ፧ ይብለካ ኣሎ መምህር፡ በልዎ። 15 ንሱ ኸኣ ኣብ ደርቢ እተነጽፈን
እተዳለወን ኣዳራሽ ኬርእየኩም እዩ። ኣብኡ ኣዳልዉልና፡ በሎም። 16 እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኸዱ፡
ናብታ ኸተማ ኸኣ መጹ፡ ከምቲ ዝበሎም ድማ ረኸቡ፡ ገንሸል ፋስጋውን ኣዳለዉ። 17 ምስ መሰየ፡ ንሱ
ምስቶም ዓሰርተው ክልተ መጸ። 18 ኣብ መኣዲ ተቐሚጦም ኪበልዑ ኸለዉ፡ የሱስ ፥ ሓደ ኻባኻትኩም፡
እቲ ምሳይ ዚበልዕ፡ ኬትሕዘኒ እዩ፡ ኢለ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በለ። 19 ኪጒህዩ ጀመሩ፡ በብሓደ
ኸኣ፡ ኣነ ደኾን እኸውን፧ በሉ። 20 ንሱ ኸኣ በሎም፡ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ፡ ምሳይ ኣብ ጻሕሊ
ዚጠልቕ፡ እዩ። 21 ወዲ ሰብሲ፡ ከምቲ ብዛዕባኡ እተጻሕፈ፡ ይኸይድ፡፡ እቲ፡ ወዲ ሰብ ብእኡ ዚተሓዝ
ሰብኣይ ግና ወይለኡ። እቲ ሰብኣይ እትስ እንተ ዘይውለድ፡ ምሔሾ ነይሩ። 22 ኪበልዑ ኸለዉ ድማ፡
እንጌራ ኣልዒሉ፡ ባሪኹ ቘረሰ፡ ንኣታቶም ከኣ፡ ውሰዱ፡ እዚ ስጋይ እዩ፡ ኢሉ ሃቦም። 23 ጽዋእ ኣልዒሉ
ድማ ኣመስጊኑ ሃቦም፡ ኵሎምውን ካብኡ ሰተዩ። 24 ንሱ ኸኣ፡ እዚ ምእንቲ ብዙሓት ዚፈስስ ናይ ሓድሽ
ኪዳን ደመይ እዩ። 25 ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብታ መንግስቲ ኣምላኽ ሓድሽ ክሳዕ ዝሰትዮ፡ ካብ ፍረ
ኦም ወይኒ ኣይክሰትን እየ፡ ኢሉ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። 26 መዝሙር ምስጋና ምስ ዘመሩ
ኸኣ፡ ናብ ደብረ ዘይቲ ደየቡ። 27 የሱስ ድማ ፥ ነቲ ጓሳ እቕትሎ፡ እተን ኣባጊዕ ከኣ ፋሕ ይብላ፡ ጽሑፍ
እዩ እሞ፡ በዛ ለይቲ እዚኣ ዅሉኹም ብኣይ ክትዕንቀፉ ኢኹም። 28 ምስ ተንሳእኩ ግና፡ ናብ ገሊላ
ክቕድመኩም እየ፡ በሎም። 29 ጴጥሮስ ድማ ፥ ኵሎም እንተ ተዓንቀፉ እኳ፡ ኣነስ ኣይዕንቀፍን እየ፡ በሎ።
30 የሱስ ድማ ፥ ሎሚ በዛ ለይቲ እዚኣ ደርሆ ኽልተ ሳዕ ከይነቀወ፡ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ፡ ኢሉ
ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ በሎ። 31 ሽዑ ንሱ ፥ ምሳኻ ንሙማት እንተ ኾነ እኳ፡ ከቶ ኣይክሕደካን እየ፡
ኢሉ ኣዝዩ ኣጽኒዑ ተዛረበ። ኵሎምውን ከምኡ በሉ። 32 ጌተሰማኔ ናብ እትብሃል ቦታ መጹ፡ ንደቀ
መዛሙርቱ ኸኣ፡ ክሳዕ ዝጽሊ፡ ኣብዚ ተቐመጡ፡ በሎም። 33 ንጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን ምስኡ ወሰደ፡
ኪጒህን ኪትክዝን ጀመረ እሞ ፥ 34 ነፍሰይ ክሳዕ ሞት ኣዝያ ትጒሂ ኣላ፡ ኣብዚ ኹኑ ንቕሑውን፡ በሎም።
35 ቅሩብ ንቕድሚት ሕልፍ ኢሉ ኣብ ምድሪ ተደፍኤ፡ ዚከኣል እንተ ዅይኑስ፡ እዛ ሰዓት ካብኡ
ኽትሐልፍ ጸለየ እሞ ፥ 36 ኣባ፡ ኣቦይ፡ ኵሉ ይከኣለካ እዩ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣ ኻባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ንስኻ
ከም እትደልዮ እምበር፡ ኣነ ኸም ዝደልዮ ኣይኹን፡ በለ። 37 መጸ፡ ደቂሶም ከኣ ረኸቦም፡ ንጴጥሮስ ድማ
፥ ስምኦን፡ ደቂስካዶ፧ ሓንቲ ሰዓት ክትነቅሕዶ ኣይከኣልካን፧ 38 ናብ ፈተና ኸይትኣትዉ፡ ንቕሑ
ጸልዩውን። መንፈስሲ ተዳልዩ ኣሎ፡ ስጋ ግና ድኹም እዩ፡ በሎ። 39 ከም ብሓድሽ ከይዱ ድማ፡ እቲ
ኢልዎ ዝነበረ ቓል ጸለየ። 40 ተመሊሱ ኸኣ ኣዒንቶም ባዕዚዙ ነበረ እሞ፡ ካልኣይ ደቂሶም ረኸቦም፡
እንታይ ከም ዚመልሱሉ ኸኣ ኣይፈልጡን ነበሩ። 41 ሳልሳይ መጺኡ ኸኣ ፥ ደጊም ደቅሱን ዕረፉውን።
ይኣክል፡ እታ ሰዓት በጺሓ። እንሆ፡ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪትሓዝ እዩ። 42 ተንስኡ ንኺድ፡ እቲ
ዜትሕዘኒ እንሆ፡ ቀሪቡ ኣሎ፡ በሎም። 43 ብኡብኡ ገና ኺዛረብ ከሎ፡ ይሁዳ፡ ካብቶም ዓሰርተው
ክልተስ ሓደ፡ መጸ። ምስኡ ኸኣ ካብ ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ዓበይትን፡ ኣስያፍ ኣባትርን ዝሐዙ
እኩባት ህዝቢ መጹ። 44 እቲ ዜትሕዞ ኸኣ፡ እቲ ኣነ ዝስዕሞ፡ ንሱ እዩ፡ ሐዝዎ ኣጽኒዕኩምውን ውሰድዎ፡
ኢሉ መፈለጥታ ሃቦም። 45 መጺኡ ድማ ብኡብኡ ናብኡ ቐሪቡ፡ ረቢ፡ ረቢ፡ ኢሉ ሰዓሞ። 46 ንሳቶም ከኣ

ኣእዳዎም ናብኡ ዘርጊሖም ሐዝዎ። 47 ካብቶም ኣብ ጥቕኡ ደው ዝበሉ ሓደ ግና ሰይፉ መሊሑ፡ ነቲ
ባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ፡ እዝኑ ቈረጸ። 48 የሱስ ድማ ፥ ከም ንኸታሪዶ ኣስያፍን ኣባትርን ሒዝኩም፡
ክትሕዙኒ መጻእኩም፧ 49 ኣብ ቤተ መቕደስ እናመሃርኩ ዕለት ዕለት ምሳኻትኩም እውዕል ነበርኩ እሞ
ኣይሐዝኩምንን። እዚ ግና እተን ጽሑፋት ምእንቲ ኺፍጸማ ይኸውን አሎ፡ ኢሉ መለሰሎም። 50
ኵሎም ከኣ ሐዲጎምዎ ሃደሙ። 51 ነጸላ እተኸድነ ጐበዝ ድማ ሰዓቦ፡ ንእኡ ኸኣ ሐዝዎ። 52 ንሱ ግና
ነጻላኡ ሐዲጉ ጥራይ ዝባኑ ሃደመ። 53 ንየሱስ ድማ ናብ ሊቀ ኻህናት ወሰድዎ። ብዘለዉ ሊቃውንቲ
ኻህናትን ዓበይትን ጸሓፍትን ናብኡ ተኣከቡ። 54 ጴጥሮስ ድማ ርሕቕ ኢሉ ኽሳዕ ውሽጢ ገዛ ሊቀ
ኻህናት ሰዓቦ። ኣብኡ ምስቶም ገላዉ ተቐሚጡ ኸኣ ሓዊ ይስሕን ነበረ። 55 ሊቃውንቲ ኻህናትን ኵሎም
ዋዕላን ንየሱስ ኪቐትልዎ ምስክር ደለዩ፡ ኣይረኸቡን ከኣ። 56 ብዙሓት ብሓሶት መስከሩ፡ ምስክሮም ግና
ኣይተሳማምዔን። 57 ሓያሎ ምስክር ሓሶት ድማ ፥ 58 ኣነ ነዛ ብኢድ እተገበረት ቤተ መቕደስ ከፍርሳ እየ፡
ብኢድ ዘይተገብረት ካልእ ከኣ ብሰለስተ መዓልቲ ኽሃንጽ እየ፡ ኪብል ከሎ፡ ንሕና ሰሚዕናዮ፡ ዚብል
ተንስእዎ። 59 ምስክሮም ከኣ በዚውን ኣይገጠመን። 60 እቲ ሊቀ ኻህናት ኣብ ማእከሎም ብድድ ኢሉ ፥
በዚ ዚምስክሩልካ ዘለዉስ እኳዶ ኣይትምልስን ኢኻ፧ ኢሉ ንየሱስ ሐተቶ። 61 ንሱ ኸኣ ስቕ በለ እምበር፡
ኣይመለሰን። እቲ ሊቀ ኻህናት ድማ ከም ብሓድሽ ፥ ክርስቶስ ወዲ እቲ ብሩኽዶ ንስኻ ኢኻ፧ ኢሉ
ሓተቶ። 62 የሱስ ድማ ፥ ኣነ እየ። ንወዲ ሰብ ኣብ የማን ሓይሊ ተቐሚጡ፡ ብደበና ሰማይ ኪመጽእ ከሎ
ኽትርእይዎ ኢኹም፡ በሎ። 63 ሽዑ እቲ ሊቀ ኻህናት ክዳኑ ቐዲዱ ፥ ደጊምከ እንታይ ግዲ ምስክር
አሎና፧ 64 ምጽራፉ ሰሚዕኩም። እንታይ ይመስለኩም፧ በለ። ኵሎም ከኣ ፥ ሞት ይግብኦ፡ ኢሎም
ፈረዱ። 65 ሓያሎ ድማ ጡፍ ኪብሉሉ፡ ገጹ ኣጐልቢቦም ኬጒስጥዎ፡ ተነበውን ኪብልዎ ጀመሩ። እቶም
ገላዉ ድማ እናጸፍዑ ወሰድዎ። 66 ጴጥሮስ ኣብ ታሕቲ ኣብ ገዛ ኸሎ፡ ካብ ኣግራድ ሊቀ ኻህናት ሓንቲ
መጸት። 67 ንጴጥሮስ፡ ሓዊ ኺስሕን ከሎ፡ ምስ ረኣየቶ ኸኣ፡ ንስኻውን ምስ የሱስ ናዝራዊ ኔርካ፡
እናበለት ጠመተቶ። 68 ንሱ ግና ፥ እዚ ንስኺ እትብልዮ ዘሎኺ ኣይፈልጦን ኣየስተውዕሎንውን እየ፡
ኢሉ ኸሐደ። ካብ ገዛ ኸኣ ናብ ዓንቀጽ ወጸ፡ ደርሆውን ነቀወ። 69 እታ ገረድ ረኣየቶ፡ ነቶም ኣብ ጥቓኡ
ደው ኢሎም ዘለዉ ኸኣ፡ እዚ ኻባታቶም እዩ፡ ኢላ ኸም ብሓድሽ ክትነግሮም ጀመረት። 70 ንሱ ድማ
ከም ብሓድሽ ከሐደ። እቶም ደው ዝበሉ ቐሩብ ጸንሕ ኢሎም ንጴጥሮስ ፥ ገሊላዊ ኢኻ እሞ፡ ብሓቂ
ኻባታቶም ኢኻ፡ ኣዛራርባኻውን ከምቲ ኣዛራርባኦም ይመስል፡ በልዎ። 71 ንሱ ግና ፥ ነዚ እትብልዎ
ዘሎኹም ሰብኣይ ኣይፈልጦን እየ፡ ኢሉ ኺረገምን ኪምሕልን ጀመረ። 72 ብኡብኡ ደርሆ ኻልኣይ ሳዕ
ነቀወ። ጴጥሮስ ከኣ ነቲ የሱስ ፥ ደርሆ ኽልተ ሳዕ ከይነቀወ፡ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ፡ ዝበሎ ቓል
ዘከረ። ነዚ ነገርዚ ሓሲቡ በኸየ።

## ምዕራፍ 15

1 ምስ ወግሔ፡ ብኡብኡ ሊቃውንቲ ኻህናት ዓበይትን ጸሓፍትን ብዘሎ እቲ ዋዕላን ምኽሪ መኸሩ፡
ንየሱስ ኣሲሮም ወሰድዎ፡ ኣሕሊፎም ከኣ ንጲላጦስ ሃብዎ። 2 ጲላጦስ ድማ። ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ
ኢኻ፧ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ፡ ንስኻ እኳ ትብል አሎኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 3 ሊቃውንቲ ኻህናት ድማ ብዙሕ
ከሰስዎ። 4 ጲላጦስ ከኣ ከም ብሓድሽ ፥ እንሆ፡ ክንደይ ይኸሱኻ ኣለዉ። እኳዶ ኣይትመልስን ኢኻ፡ ኢሉ
ሐተቶ። 5 የሱስ ግና፡ ጲላጦስ ክሳዕ ዚግረም፡ ሓንቲ እኳ ኣይመለሰን። 6 በብበዓል ድማ ዝለመንዎ ሓደ
ኻብቶም እሱራት ይፈትሓሎም ነበረ። 7 ምስቶም ጋሮ ዝገበሩ ኣብቲ ጋሮውን ነፍሲ ዝቐተለ፡ በርባን

ዚብሃል ተኣሲሩ ነበረ። 8 እቶም ህዝቢ ድማ ደይቦም፡ ከምታ ልማዶም ኪገብረሎም፡ ኪልምንዎ
ጀመሩ። 9-10 ጲላጦስ ከኣ እቶም ሊቃውንቲ ኻህናት ብቕንኣቶም ኣሕሊፎም ከም ዝሃብዎ ፈሊጡ ነበረ
እሞ ፥ ነቲ ንጉስ ኣይሁድ ክፈትሓልኩምዶ ትደልዩ ኣሎኹም፧ ኢሉ መለሰሎም። 11 እቶም ሊቃውንቲ
ኻህናት ግና ነቶም ህዝቢ፡ ንበርባን ኪፈትሓሎም ኪልምኑ ኣዕገርገርዎም። 12 ጲላጦስ ግና ከም ብሓድሽ
፥ ነዚ ንጉስ ኣይሁድ እትብልዎኸ እንታይ ክገብሮ ትደልዩ ኣሎኹም፧ ኢሉ መለሰሎም። 13 ንሳቶም ግና ፥
ስቐሎ፡ ኢሎም ከም ብሓድሽ ጨደሩ። 14 ጲላጦስ ከኣ ፥ እንታይ ክፉእከ ገበረ፧ በሎም። ንሳቶም ግና
ዓው ኢሎም ፥ ስቐሎ፡ በሉ። 15 ጲላጦስ ድማ፡ ፍቓድ እቶም ህዝቢ ኺገብር ስለ ዝፈተወ፡ ንበርባን
ፈትሓሎም። ንየሱስ ከኣ ኪስቀል ገሪፉ ሃቦም። 16 እቶም ዓቀይቲ ድማ ናብ ውሽጢ እቲ ገዛ፡ ማለት
ናብቲ ኣዳራሽ ፍርዲ፡ ኣእተውዎ። ንብዘሎ እቲ ጭፍራውን ኣኻኸብዎ። 17 ቀይሕ ክዳን ከደንዎ፡
ኣኽሊል እሾኽ ተኒጎምውን ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ እሞ፡ 18 ዎ ንጉስ ኣይሁድ፡ ከመይ ኢኻ፧ እናበሉ ኢድ
ኪነስኡሉ ጀመሩ። 19 ርእሱ ድማ ብዘንጊ ወቕዕዎ፡ ጡፍ ከኣ በሉሉ፡ ተንበርኪኾምውን ሰገድሉ። 20 ምስ
ኣላገጹሉ ድማ፡ እቲ ቐይሕ ክዳን ቀንጢጦም ክዳኑ ኸደንዎ። ኪሰቕልዎውን ኣውጽእዎ። 21 ንሓደ ሓላፍ
መገዲ፡ ንስምኦን ቀሬናዊ፡ ኣቦ እስክንድሮስን ሩፎስን፡ ካብ ወፍሪ ኺኣቱ ኸሎ፡ መስቀሉ ኺጸውር
ብግዲ ወሰድዎ። 22 ናብ ቦታ ጐልጎታ፡ ትርጓሚኣ ፥ ቦታ ኣዕጽምቲ ርእሲ፡ ወሰድዎ። 23 ምስ ከርበ
እተሐወሰ ወይኒ ድማ ሃብዎ፡ ንሱ ግና ኣይተቐበለን። 24 ምስ ሰቐልዎ ድማ፡ ክዳውንቱ ተማቐሉ፡ ንነፍሲ
ወከፎም እንታይ ከም ዚበጽሖም ከኣ ዕጭ ኣውደቑ። 25 እታ ዝሰቐልዎ ጊዜ ኸኣ ሳልሰይቲ ሰዓት ነበረት።
26 ንጉስ ኣይሁድ፡ ዚብል ጽሕፈት ክሱውን ኣብ ልዕሊኡ ተጽሒፉ ነበረ። 27 ምስኡ ኸኣ ክልተ ኸተርቲ፡
ሓደ ብየማኑ ሓደ ኸኣ ብጸጋሙ፡ ሰቐሉ። 28 እቲ ፥ ምስ ዓመጽቲ ተቘጽረ፡ ዚብል ጽሑፍ ተፈጸመ። 29-30
እቶም ዚሐልፉ ድማ ርእሶም እናነቕነቑ ፥ ኣየ፡ ኣታ ንቤተ መቕደስ እተፍርሳ ብሰለስተ መዓልቲ
እትሃንጻ፡ እስኪ ርእስኻ ኣድሕን፡ ካብ መስቀልውን ውረድ፡ እናበሉ ይጸርፍዎ ነበሩ። 31 ከምኡ ኸኣ
ሊቃውንቲ ኻህናት ምስ ጸሓፍቲ ንሓድሕዶም ፥ ንኻልኦት ኣድሐነ፡ ንርእሱ ኼድሕን ግና ኣይክእልን።
32 ርኢና ኽንኣምንሲ፡ ክርስቶስ ንጉስ እስራኤል ሕጂ ኻብ መስቀል ይውረድ፡ እናበሉ ኣላገጹሉ። እቶም
ምስኡ እተሰቕሉውን የላግጹሉ ነበሩ። 33 ካብ ሳድሰይቲ ሰዓት ጀሚሩ ኽሳዕ ታስዐይቲ ሰዓት ከኣ ብዘላ
እታ ሃገር ጸልመተት። 34 ብታስዐይቲ ሰዓት የሱስ ብዓብዪ ድምጺ፡ ኤሎሄ፡ ኤሎሄ፡ ላማ ሰበቕታኒ፧ ኢሉ
ጨርሔ። ትርጉሙ ኸኣ፡ ኣምላኸይ፡ ኣምላኸይ፡ ንምንታይ ሐደግካኒ፧ እዩ። 35 ካብቶም ኣብኡ ደው
ኢሎም ዝሰምዕዎ ኸኣ ሓያሎ ፥ እንሆ፡ ንኤልያስ ይጽውዖ ኣሎ፡ በሉ። 36 ሓደ ጐይዩ ፥ ሕደጉ፡ ኤልያስ
መጺኡ እንተ ኣውረዶ ንርኤ፡ ኢሉ መጺጽ ብስፍነግ መሊኡ ኣብ ዘንጊ ገይሩ ኣስተዮ። 37 ሽዑ የሱስ
ብዓብዪ ድምጺ ጨርሔ፡ ነፍሱ ኸኣ ወጸት። 38 መጋረጃ ቤተ መቕደስ ካብ ላዕሊ ኽሳዕ ታሕቲ ኣብ
ክልተ ተተርተረ። 39 እቲ ኣብ መንጽር ደው ኢሉ ዝነበረ ሓለቓ ሚእቲ ኸኣ፡ ነፍሱ ኸመይ ኢላ ኸም
ዝወጸት፡ ምስ ረኣየ ፥ እዚ ሰብኣይ እዚ ብሓቂ ወዲ ኣምላኽ ነይሩ፡ በለ። 40 ኣንስቲ ድማ ብርሑቕ
ኰይነን የማዕድዋ ነበራ። ካባታተን ከኣ ማርያም ብዓልቲ መግደላን ማርያም ኣደ ያእቆብ ንእሽቶን ዮሳን
ሰሎሜውን ነበራ። 41 ንሳተን፡ ኣብ ገሊላ ኸሎ፡ ዝሰዓባኦን ዘገልግላኦን ብዙሓት ካልኦት ኣንስትውን
ምስኡ ናብ የሩሳሌም ዝደየባ እየን። 42 ምስ መሰየ፡ መዓልቲ ምድላው፡ ማለት ድሮ ሰንበት፡ ስለ
ዝነበረት፡ 43 ዮሴፍ፡ ብዓል ኣርማትያስ፡ ሕፉር መኻሪ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽውን ዚጽበያ ዝነበረ፡ መጺኡ።
ደፊሩ ናብ ጲላጦስ ኣትዩ ኸኣ፡ ስጋ የሱስ ለመኖ። 44 ጲላጦስ ድማ ቀልጢፉ ብምማቱ ገረሞ። ነቲ
ሓለቓ ሚእቲ ጸዊዑ፡ ድሮዶ ሞይቱ፧ ኢሉ ሐተቶ። 45 ካብቲ ሓለቓ ሚእቲ ምስ ተረድኤ፡ ስጋኡ ንዮሴፍ
ሃቦ። 46 ንሱ ድማ፡ ኣውሪዱ በፍታ ዓዲጉ፡ በቲ በፍታ ገነዞ። ኣብ ከውሒ ኣብ እተወቕረ መቓብርውን

ኣንበሮ። ነቲ ኣፍ መቓብር ከኣ ብእምኒ ዓጸዎ። 47 ማርያም ብዓልቲ መግደላን ማርያም ኣደ ዮሳን ድማ
ኣበይ ከም ዘንበርዎ ይርእያ ነበራ።

# ምዕራፍ 16

1 ሰንበት ምስ ሐለፈት፡ ማርያም ብዓልቲ መግደላን ማርያም ኣደ ያእቆብን ሰሎሜን ከይደን ኪለኽያኦ
ቕዲት ዓደጋ። 2 ብቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን ንግሆ፡ ጸሓይ ክትበርቕ ከላ፡ ናብ መቓብር መጹ። 3
ንሓድሕደን ከኣ፡ እቲ እምንስ ካብቲ ኣፍ መቓብር መን ኪግልብጠልና እዩ፧ ተባሃሃላ። 4 እቲ እምኒ ኣዝዩ
ገዚፍ ነበረ እሞ፡ ንላዕሊ ገጽን እንተ ጠመታ፡ ተገልቢጡ ረኣያ። 5 ናብ መቓብር ኣትየን፡ ጻዕዳ ኽዳን
እተኸድነ በጽሒ ኣብ የማን ተቐሚጡ ረኣያ፡ ሰምበዳ ኸኣ። 6 ንሱ ድማ ፥ ኣይትሰምብዳ፡ ንስኻትክንሲ
ነቲ እተሰቕለ የሱስ ናዝራዊ ትደልያ ኣሎኽን። ተንሲኡ፡ ኣብዚ የሎን። እታ ኣብኣ ዘንበርዎ ቦታ፡ እንሃ። 7
ኪዳ ደኣ፡ ንደቀ መዛሙርቱን ንጴጥሮስን፡ ናብ ገሊላ ኪቕድመኩም እዩ፡ ከምታ ዝበለኩም ከኣ ኣብኡ
ኽትርእይዎ ኢኹም፡ ኢልክን ንገራኦም፡ በለን። 8 ምንቅጥቃጥን ስምባድን ሒዝወን ነበረ እሞ፡ ካብ
መቓብር ወጺኤን ሃደማ። ፈሪሄን ስለ ዝነበራ ኸኣ፡ ንሓደ እኳ ኣይነገራን። 9 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ
ሰሙን ንግሆ ምስ ተንስኤ፡ ነታ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዘውጽኣላ ማርያም ብዓልቲ መግደላ ቅድም ተራእያ።
10 ንሳ ድማ ከይዳ ነቶም ምስኡ ዝነበሩ፡ ኪበኽዩን ኪጕህዩን ከለዉ፡ ነገረቶም። 11 ንሳቶም ከኣ፡ ንሱ
ህያው ምዃኑ፡ ንእኣውን ከም እተራእያ ምስ ሰምዑ፡ ኣይኣመኑን። 12 ድሕርዚ ንኽልተ ኻባታቶም፡ ናብ
ሃገረ ሰብ ኪኸዱ ኸለዉ፡ ኣብ መገዲ ብኻልእ መልክዕ ተጋህደሎም። 13 ንሳቶም ከኣ ከይዶም ነቶም
ካልኦት ነገርዎም፡ ንኣታቶምውን ኣይኣመንዎምን። 14 ድሕሪኡ ነቶም ዓሰርተው ሓደ፡ ኣብ መኣዲ
ተቐሚጦም ከለዉ፡ ተጋህደ፡ ነቶም ተንሲኡ ዝረኣይዎ ኣይኣመንዎምን እዮም እሞ፡ ስለቲ ዘይምእማኖም
ትሪ ልቦምን ከኣ ዘለፎም። 15 በሎም ድማ ፥ ናብ ኵላ ዓለም ኪዱ፡ ንብዘሎ ፍጥረት ከኣ ወንጌል
ስበኹሉ'። 16 ዝኣመነን እተጠምቀን ኪድሕን፡ እቲ ዘይኣመነ ግና ኪኹነን እዩ። 17 ነቶም ዚኣምኑውን እዚ
ተኣምራት እዚ ኺስዕቦም እዩ ፥ ብስመይ ኣጋንንቲ ኼውጽኡ፡ ብሓድሽ ልሳን ከኣ ኪዛረቡ፡ 18 ኣትማን
ኪሕዙ እዮም፡ ዚቕትል እንተ ሰተዩ ኸኣ፡ ከቶ ኣይኪጐድኦምን እዩ፡ ኣእዳዎም ኣብ ሕሙማት ኬንብሩ
ንሳቶምውን ኪሐውዩ እዮም። 19 ጐይታና የሱስ ምስ ተዛረቦም፡ ናብ ሰማይ ዓረገ፡ ኣብ የማን
ኣምላኽውን ተቐመጠ። 20 ንሳቶም ድማ ወጺኦም ኣብ ኵሉ ሰበኹ። ጐይታ ምሳታቶም ይገብር፡ ነቲ
ቓልውን ብዚስዕብ ተኣምራት የጽንዖ ነበረ።

# ወንጌል ሉቃስ

## ምዕራፍ 1

1 ነዚ ኣባና ብርግጽ እተኣምነ ነገር ዛንታኡ ኺጽሕፉ ብዙሓት ካብ ዚጅምሩ፡ 2 እቶም ካብ መጀመርታ
በዒንቶም ዝረኣዩን ኣገልገልቲ እቲ ቓል ዝነበሩን ከም ዝነገሩና፡ 3-4 ኣታ ኽቡር ቴዎፍሎስ፡ ኣነ ኸኣ
ንኹሉ ኣዳላዲለ ኻብ ጥንቲ ስዒበዮ እየ እሞ፡ ሓቂ እቲ እተምሃርካዮ ምህሮ ኣጸቢቕካ ምእንቲ
ኽትፈልጥሲ፡ በብተራኡ ኽጽሕፈልካ ይረኣየኒ ኣሎ። 5 ብዘመን ሄሮድስ ንጉስ ይሁዳ፡ ካብ ክፍሊ ኣብያ
ዘካርያስ ዚብሃል ካህን ነበረ። ካብ ኣዋልድ ኣሮን ከኣ ኤልሳቤጥ እትብሃል ሰበይቲ ነበረቶ። 6 ክልቲኦም
ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጻድቃን ነበሩ። ብኹሉ ትእዛዛት እግዝኣብሄርን ሕጋጋቱን ብዘይ ጉድለት
ዚኸዱ ነበሩ። 7 ኤልሳቤጥ መኻን ነበረት እሞ፡ ውሉድ ኣይነበሮምን፡ ክልቲኦም ድማ ዕለቶም ዝሐለፈ
ኣረገውቲ ነበሩ 8 ኰነ ድማ፡ ብተራ ወገኑ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግብሪ ኽህነት ኪገብር ከሎ፡ 9 ከም ልማድ
ካህናት ናብ ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ኣትዩ ዕጣን ኪዓጥን ብዕጭ በጽሖ። 10 በቲ ጊዜ ዕጣን ከኣ ኹሉ እቲ
ብዙሕ ህዝቢ ብወጻኢ ኾይኑ ይጽሊ ነበረ። 11 በቲ ወገን የማን መሰውኢ ዕጣን ድማ መልኣኽ
እግዚኣብሄር ደው ኢሉ ተራእዮ። 12 ዘካርያስ ከኣ ርእይዎ ሰምበደ ፍርሃትውን ወደቖ። 13 እቲ መልኣኽ
ድማ በሎ፥ ዘካርያስ፡ ጸሎትካ ተሰሚዑልካ እዩ እሞ፡ ኣይትፍራሕ። ሰበይትኻ ኤልሳቤጥ ወዲ
ኽትወልድካ እያ፡ ስሙውን ዮሃንስ ክትሰምዮ ኢኻ። 14 ንሱ ሓጐስን ተድላን ኪኾነልካ እዩ፡ ብልደቱ
ኸኣ ብዙሓት ኪሕጐሱ እዮም። 15 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ዓብዪ ኪኸውን እዩ እሞ። ወይንን ዜስክር
መስተን ከቶ ኣይኪሰትን እዩ። ገና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ ኸሎ፡ መንፈስ ቅዱስ ኪመልኦ እዩ። 16 ንብዙሓት
ካብ ደቂ እስራኤልውን ናብ እግዚኣብሄር ኣምላኾም ኪመልሶም እዩ። 17 ንሱ ብቑዕ ህዝቢ ንእግዚኣብሄር
ኬዳሉ፡ ልቢ ኣቦታት ናብ ውሉድ፡ ንዘይእዙዛት ድማ ናብ ጥበብ ጻድቃን ኪመልስ፡ ብመንፈስ ኤልያስን
ብሓይሉን ቀቅድሚኡ ኪኸይድ እዩ። 18 ዘካርያስ ከኣ ነቲ መልኣኽ፥ ኣነ ኣሪገ እየ፡ ሰበይተይ ከኣ ዕለታ
ሐሊፉ እዩ እሞ፡ ነዚ ብምንታይ ክፈልጦ እየ፡ በሎ። 19 እቲ መልኣኽ ከኣ መሊሱ በሎ፡ ኣነ ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽ ዝቐውም ገብርኤል እየ፡ ክዛረበካን እዚ ድማ ከብስረካን እየ ናባኻ እተለኣኽኩ። 20 እንሆ ኸኣ፡
ነቲ ብጊዜኡ ዚፍጸም ዘረባይ ስለ ዘይኣመንካ፡ ክሳዕ እታ እዚ ነገርዚ ዚኾነላ መዓልቲ ዓባስ ክትከውን
ምዝራብውን ክትስእን ኢኻ። 21 እቶም እኩባት ሰብ ከኣ ንዘካርያስ ይጽበይዎ ነበሩ፡ እቲ ኣብ ቤተ
መቕደስ ምድንጓዩውን ኣስተንከሮም። 22 ምስ ወጸ ድማ፡ ኪዛረቦም ኣይከኣለን። ሽዑ ኣብ መቕደስ ራእይ
ከም ዝረኣየ ፈለጡ። ንሱ ድማ ብኢዱ ኣመልከቶም፡ ዓባስ ኰይኑውን ይነብር ነበረ። 23 ኰነ ድማ፡ ቅነ
ምግልጋሉ ምስ ኣብጽሐ፡ ናብ ቤቱ ኸደ። 24-25 ድሕሪ እተን መዓልትታት እቲኤን ኤልሳቤጥ ሰበይቱ
ጠነሰት እሞ፥ ጐይታይ ንኣይ ብዝረኣየለን መዓልትታት ሕስራነይ ካብ ማእከል ሰብ ምእንቲ ኼርሕቕ፡
ከምዚ ገበረለይ፡ ኢላ ሓሙሽተ ወርሒ ንፍሳ ሐብኤት። 26-27 ብሳድሰይቲ ወርሒ ገብርኤል መልኣኽ ናብ
ናዝሬት እትብሃል ዓዲ ገሊላ ናብ ሓንቲ ድንግል ካብ ኣምላኽ ተላእከ። ንሳ ንዮሴፍ ዚብሃል ሰብኣይ
ካብ ቤት ዳዊት እተሐጽየት እያ፡ ስም እታ ድንግል እቲኣ ኸኣ ማርያም እዩ። 28 እቲ መልኣኽ ናብኣ
ኣትዩ፥ ኣቲ ምልእቲ ጸጋ፡ እግዚኣብሄር ምሳኺ እዩ እሞ፡ ባህ ይበልኪ፡ ካብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡
በላ። 29 ንሳ ምስ ረኣየቶ፡ በቲ ዘረባኡ ሰምበደት፥ እዚ ኸምዚ ዝበለ ሰላምታስ እንታይ ኰን ይኸውን፧
ኢላውን ሐሰበት። 30 እቲ መልኣኽ ከኣ በላ፡ ማርያም፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጸጋ ረኺብኪ ኢኺ እሞ፡

ኣይትፍርሂ። [31] እንሆ፡ ክትጠንሲ ወዲውን ክትወልዲ፡ ስሙ ኸኣ የሱስ ክትሰምይዮ ኢኺ። [32] ንሱ ዓብዪ
ኪኸውን፡ ወዲ ልዑልውን ኪብሃል እዩ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ዝፋን ኣቦኡ ዳዊት ኪህቦ እዩ። [33]
ንሱ ኣብ ቤት ያእቆብ ንዘለኣለም ኪነግስ እዩ፡ መንግስቱ ኸኣ መወዳእታ የብላን። [34] ማርያም ድማ ነቲ
መልኣኽ፥ እዚኸ፡ ሰብኣይ ከይፈለጥኩስ፡ ከመይ ኢሉ ኪኸውን እዩ፡ በለቶ። [35] እቲ መልኣኽ ከኣ
መሊሱ፡ መንፈስ ቅዱስ ኪወርደኪ ሓይሊ ልዑልውን ኬጽልለኪ እዩ። ስለዚኸኣ እቲ ዚውለድ ቅዱስ፡
ወዲ ኣምላኽ ኪብሃል እዩ። [36-37] እንሆ፡ ኤልሳቤጥ እታ ዘመድኪ እኳ፡ ንኣምላኽ ዚሰኣኖ ነገር ስለ
ዜልቦ፡ ኣብ እርግናኣ ወዲ ጠኒሳ ኣላ፡ ነታ መኻን እትብሃል እዚ ወርሒ እዚ ሳድሳያ እዩ፡ በላ። [38]
ማርያም ከኣ፥ እኔኹ፡ ኣነ ባርያ እግዚኣብሄር፡ ከምቲ ዘረባኻ ይኹነለይ፡ በለት። እቲ መልኣኽ ድማ
ካብኣ ሐለፈ። [39] በቲ ቕነ እቲ ማርያም ተንስኤት፡ ተቐላጢፋ ድማ ንዝባን ይሁዳ ናብ ሓንቲ ዓዲ
ደየበት። [40] ናብ ቤት ዘካርያስ ኣትያ ኸኣ፡ ንኤልሳቤጥ ሰላም በለታ። [41] ኮነ ድማ፡ ኤልሳቤጥ ቃል
ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዔት፡ እቲ ሕጻን ኣብ ከርሳ ተሰራሰረ። ንኤልሳቤጥ ድማ መንፈስ ቅዱስ
መልኣ፡ [42] ብዓብዪ ድምጺውን ዓው ኢላ በለት፥ ንስኺ ኻብ ኣንስቲ ብርኽቲ ኢኺ፡ ፍረ ኸርስኺውን
ብሩኽ እዩ። [43] ኣደ ጐይታይ ናባይ ክትመጺኸ፡ እዚ ኻበይ ኮነለይ፧ [44] እንሆ፡ ድምጺ ሰላምታኺ ምስ
ሰማዕኩ ኣብ ከርሰይ ሕጻን ተሰራሰረ። [45] እቲ ኻብ እግዚኣብሄር እተነግረላ ቓል ኪፍጸም እዩ እሞ፡ እታ
ዝኣመነት ብርኽቲ እያ። [46] ማርያም ድማ በለት ንፍሰይ ንእግዚኣብሄር ተዕብዮ፡ [47-49] መንፈሰይ ከኣ
ብኣምላኽ፡ በቲ መድሓንየይ፡ ባህ ይብሎ። ውርደት ባርያኡ ስለ ዝረኣየ፡ እቲ ሓያል ዓብዪ ነገር
ገይሩለይ እዩ እሞ፡ ስሙ ቅዱስ እዩ። እንሆ፡ ካብ ሕጂ ኹሎም ወለዶ ብጽእቲ ኺብሉኒ እዮም። [50]
ምሕረቱውን ነቶም ዚፈርህዎ ንውሉድ ወለዶ ይነብር። [51] ሓያሊ ብቕልጽሙ ገበረ፡ ንኹሩዓት ብሓሳብ
ልቦም ዘረዎም። [52] ንሓያላት ካብ ዝፋውንቶም ኣውረዶም፡ ንተዋረዱ ኸኣ ልዕል ኣበሎም። [53] ንጥሙያት
ብጽቡቕ ነገር ኣጽገቦም፡ ንሃብታማትውን ጥራይ ኢዶም ሰደዶም። [54-55] ከምቲ ነቦታትና፡ ንኣብርሃምን
ንዘርኡን ዝነገሮም፡ ከሳዕ ዘለኣለም ምሕረት እናዘከረ፡ ንእስራኤል ባርያኡ ተቐበሎ። [56] ማርያም ኣስታት
ሰለስተ ወርሒ ዚኣክል ምስኣ ወርሔት፡ ደሓር ከኣ ናብ ቤታ ተመልሰት። [57] ኤልሳቤጥ ክትወልድ
ኣዋርሓ በጽሔ ወዲውን ወለደት። [58] ጐረባብታን ኣዝማዳን ድማ፡ እግዚኣብሄር ምሕረቱ ኸም ዘዕበየላ
ሰሚዖም፡ ምስኣ ተሐጐሱ። [59] ኣብ ሳምነይቲ መዓልቲ ድማ ኾነ፡ ነቲ ሕጻን ኪገርዝዎ መጹ፡ ብስም
ኣቦኡ ኸኣ ዘካርያስ ሰመይዎ። [60] ሽዑ ኣዲኡ፡ ኣይፋሉን፡ ዮሃንስ እዩ ዚስመ፡ ኢላ መለሰት። [61] ንሳቶም
ከኣ፡ ካብ ዓሌትኪ በዚ ስም እዚ እተሰምየ የልቦን፡ በልዋ [62] ነቦኡ ድማ እንታይ ኪስመ ኸም ዚደሊ፡
እናኣመልከቱ ሐተትዎ። [63] ንሱ ንእሽቶ ሰሌዳ ለሚኑ፡ ስሙ ዮሃንስ እዩ፡ ኢሉ ጸሐፈ። ኵሎም ከኣ
ተገረሙ። [64] ብኡብኡ ኣፉ ተኸፈተ፡ ልሳኑውን ተፈትሐ፡ ንኣምላኽ እናኣመስገኖ ኸኣ ተዛረበ። [65] ኣብ
ኵሎም ጐረባብቶም ከኣ ፍርሃት ኮነ፡ ብዘሎ እዚ ነገርዚ ኣብ ኵላ ዝባን ይሁዳ ተወርየ፡ [66] ዝሰምዕዎ
ዘበሉ ኸኣ፥ እዚ ህጻን እዝስ እንታይ ኰን ኪኸውን እዩ፧ ኢሎም ኣብ ልቦም ሐዝዎ። ኢድ እግዚኣብሄር
ድማ ምስኡ ነበረት። [67] ነቦኡ ዘካርያስ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦ፡ ከምዚ ኢሉውን ተነበየ፥ [68] ንህዝቡ
ስለ ዝበጽሖምን እተበጀዎምን፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ይባረኽ። [69-70] ከምቲ ብቶም ካብ ጥንቲ
ዝነበሩ ብኣፍ ቅዱሳት ነብያት እተዛረቦ፡ ኣብ ቤት ዳዊት ባርያኡ ቀርኒ ምድሓን ኣተንስኣልና፡ [71] ካብ
ጸላእትናን ካብ ኢድ ኵሎም ዚጸልኡናን ኬድሕነና፡ [72] ምስ ኣቦታትና ምሕረት ኪገብር፡ ነቲ ቅዱስ ኪዳኑ
ኪዝክሮ፡ [73] እቲ ነቦና ኣብርሃም ዝመሐለሉ ማሕላ ኺህበና፡ [74-75] ብቕድስናን ብጽድቕን ብዅሉ ዕለትና
ኣብ ቅድሚኡ ኻብ ኢድ ጸላእትና ድሒንና ብዘይ ፍርሃት ከነምልኾ ኢና። [76-77] ኣታ ሕጻን፡ ንስኻ ድማ
ንህዝቡ ብሕድገት ሓጢኣቶም ፍልጠት ምድሓን ክትህቦም፡ መገዲ ኸተቕንዕ፡ ቀቅድሚ ጐይታ

ኽትከይድ ኢኻ እሞ፡ ነብዪ ልዑል ክትብሃል ኢኻ። [78-79] ነእጋርና ናብ መገዲ ሰላም ኬቕንዕ፡ ነቶም ኣብ
ጸልማትን ኣብ ድነ ሞትን ተቐሚጦም ዘለዉ ኼብርህ፡ ስለ ርሕሩሕ ምሕረት ኣምላኽና፡ ብእኡ ኻብ
ላዕሊ በርቂ ጸሓይ ኪበጽሓና እዩ። [80] እቲ ሕጻን ዓበየ፡ ብመንፈስ ከኣ ደልደለ። ክሳዕ እታ ንእስራኤል
እተገልጸላ መዓልቲውን ኣብ በረኻ ይነብር ነበረ።

# ምዕራፍ 2

[1] ኰነ ድማ፡ በቲ ቕነ እቲ ኸሉ ዓለም ኪጸሓፍ፡ ካብ ቄሳር ኣውጉስጦስ ትእዛዝ ወጸ። [2] እዚ እታ
ቀሬኔዎስ ኣብ ሶርያ ተሸይሙ ኸሎ ዝኾነት ቀዳመይቲ ጽሕፈት እያ። [3] ሽዑ ነፍሲ ወከፍ ኪጸሓፍ፡ ኩሉ
ነናብ ዓዱ ኸደ። [4-5] ዮሴፍ ድማ፡ ካብ ቤት ዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለ ዝነበረ፡ ካብ ገሊላ ኻብ ዓዲ
ናዝሬት ምስታ ጠኒሳ ዘላ ማርያም ሕጽይቱ ናብ ቤትልሄም እትብሃል ዓዲ ዳዊት ናብ ይሁዳ ኪጸሓፍ
ደየበ። [6] ኰነ ድማ፡ ኣብኡ ኸለዉ፡ ጊዜ ሕርሳ በጽሔ። [7] በዅሪ ወዳ ወለደት ብዓለባውን ጠቕለለቶ፡
ኣብቲ ማሕደር ኣጋይሽ ስፍራ ስለ ዘይነበሮም ድማ፡ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ። [8] ኣብታ ምድሪ እቲኣ
ብለይቲ ማሎም ኪሕልዉ ኣብ መሮር ዝሐደሩ ጓሶት ነበሩ። [9] መልኣኽ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ጥቓኦም
ደው በለ፡ ክብሪ እግዚኣብሄር ኣብ ዙርያኦም ኣብርሄ፡ ብዙሕ ፍርሃት ከኣ ፈርሁ። [10-11] እቲ መልኣኽ
ድማ፡ እንሆ፡ ሎሚ መድሓኒ ኣብ ዓዲ ዳዊት ተወሊድልኩም ስለ ዘሎ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ ጐይታ እዩ፡
ንዅሉ ህዝቢ ዚኸውን ዓብዪ ሓጐስ ኤበስረኩም ኣሎኹ እሞ፡ ኣይትፍርሁ። [12] ምልክት ድማ እዚ
ይኹንኩም፡ ኣብ መብልዕ ማል ብዓለባ እተጠቕለለ ሕጻን ደቂሱ ኽትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም። [13-14]
ብዙሓት ሰራዊት ሰማይ ድማ ብድንገት ምስቲ መልኣኽ ተጸምቢሮም፥ ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ፡
ሰላም ከኣ ኣብ ምድሪ ኣብ መንጎ እቶም ስምረት ኣምላኽ ዘለዎም ሰባት፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ። [15]
ኰነ ድማ፡ እቶም መላእኽቲ ኻባታቶም ናብ ሰማይ ምስ ደየቡ፡ እቶም ጓሶት ንሓድሕዶም፥ እዚ
እግዚኣብሄር ዝገለጸልና ኽውን ነገር ክንርኢ ንዑናይ፡ ናብ ቤትልሄም ንኺድ፡ ተባሃሃሉ። [16] ቀልጢፎም
ከኣ ኸዱ፡ ንማርያምን ንዮሴፍን ነቲ ሕጻን ከኣ ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱን ረኸቡ። [17] እዚ ምስ ረኣዩ፡
ብዛዕባ እቲ ሕጻን እተነግረሎም ነገር ኣውረዩ። [18] ዝሰምዑ ዘበሉ ዅሎም ከኣ በቲ እቶም ጓሶት
ዝነገርዎም ተገረሙ። [19] ማርያም ግና ነዚ ነገርዚ ዅሉ ኣብ ልባ ተዋህልሎን ትሐስቦን ነበረት። [20] እቶም
ጓሶት ድማ ከምቲ እተባህለሎም፡ በቲ ዝሰምዕዎን ዝረኣይዎን ኩሉ ንኣምላኽ እናኸበሩን እናወደሱን
ተመልሱ። [21] ኪገዝርዎ ሾሞንተ መዓልቲ ምስ መልአ ድማ፡ ከምቲ መልእኽ ኣብ ከርሲ ኽይተሃንጸ ኸሎ
ዝሰመዮ፡ ስሙ የሱስ ኢሎም ሰመይዎ። [22-24] ከምቲ ሕጊ ሙሴ፡ መዓልትታት ምንጻሆም ምስ መልኣ፡
ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር፥ ማሕጸን ወላዲቱ ዝኸፈተ ዘበለ ተባዕታይ ንእግዚኣብሄር እተቐደሰ
ይብሃል፡ ኢሉ እተጻሕፈ፡ ከምቲ ኣብ ሕጊ እግዚኣብሄር እተባህለ ኸኣ፡ ክልተ ባሬቶ ወይስ ክልተ
ጫጩት ርግቢ መስዋእቲ ምእንቲ ኺህቡ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ኬቕምዎ ናብ የሩሳሌም ወሰድዎ።
[25] እንሆ ድማ፡ ኣብ የሩሳሌም ስምኡን ዚብሃል ሰብኣይ ነበረ። እዚ ሰብኣይ እዚ ጻድቕ፡ ንኣምላኽ
ዚፈርህ፡ ምጽንናዕ እስራኤል ዚጽበ ነበረ፡ መንፈስ ቅዱስ ድማ ነበሮ። [26] ነቲ ቕቡእ እግዚኣብሄር
ከይረአየ፡ ሞት ከም ዘይርኢ ድማ፡ ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጽሉ ነበረ። [27] ብመንፈስ ከኣ ናብ ቤተ
መቕደስ መጸ። ነቲ የሱስ ሕጻን፡ ወለዱ ኸም ልማድ ሕጊ ኺገብሩሉ ምስ ኣእተውዎ፡ [28] ንሱ ድማ ኣብ
ኢዱ ሐቚፎ፡ ንኣምላኽውን ኣመስገነ እሞ፥ [29-32] ዎ ጐይታይ፡ ነቲ ንምብራህ ኣህዛብ ብርሃን፡ ንህዝብኻ
እስራኤልውን ክብረት ምእንቲ ኪኸውን፡ ኣብ ቅድሚ ዅሉ ህዝቢ ዘዳሎኻዮ ምድሓንካ ኣዒንተይ ካብ

ረኣያስ፡ ሕጂ ኽምቲ ዘረባኻ ንባርያኻ ብሰላም ተፋንዎ ኢኻ፡ በለ። 33 ዮሴፍን ኣዲኡን ከኣ በቲ ብዛዕባኡ
እተባህለ ነገር ተገረሙ። 34 ስምኦን ከኣ ባረኾም፡ ነዲኡ ማርያም ድማ፥ እንሆ፡ እዚ ንብዙሓት ኣብ
እስራኤል ንምዳቕምን ምትንሳኦምን ንትእምርቲ ምጽራርውን ንቡር እዩ። 35 ንኣኺ ድማ፡ ሓሳብ ልቢ
ብዙሓት ምእንቲ ኺገሃድ፡ ናብ ነፍስኺ ሰይፊ ኺኣቱ እዩ፡ በላ። 36 ካብ ወገን ኣሴር ድማ ሃና፡ ጓል
ፋኑኤል፡ ንሳ ኣዝያ ዝኣረገት ነብዩት ነበረት። ካብ ድንግልናኣ ሒዛ ምስ ሰብኣያ ሾብዓተ ዓመት
ገበረት። 37 ንሳ ሰማንያን ኣርባዕተን ዓመት ዝዕድሚኣ መበለት እያ። ካብ ቤተ መቕደስ ከይወጸት፡
ብጾምን ብጸሎትን ለይትን መዓልትን ንኣምላኽ ተገልግል ነበረት። 38 ንሳውን ሽዑ ናብኡ መጺኣ
ንኣምላኽ ኣመስገነቶ። ነቶም ምድሓን የሩሳሌም ዚጽበዩ ዅሎም ከኣ ብዛዕባኡ ተዛረበቶም። 39 ከምቲ
ሕጊ እግዚኣብሄር ዅሉ ምስ ፈጸሙ ኸኣ፡ ንገሊላ ናብ ናዝሬት ዓዶም ተመልሱ። 40 እቲ ሕጻን ዓበየ፡
ብመንፈስ ድማ ደልደለ፡ ጥበብ ከኣ መልአ፡ ጸጋ ኣምላኽውን ኣብኡ ነበረ። 41 እቶም ወለዱ ንበዓል
ፋስጋ በብዓመት ናብ የሩሳሌም ይኸዱ ነበሩ። 42 ንሱ ወዲ ዓሰርተው ክልተ ዓመት ምስ ኰነ ኸኣ፡
ከምቲ ስርዓት በዓል ናብ የሩሳሌም ደየቡ። 43 እተን መዓልትታት ኣእኪሎም ኪምለሱ ኸለዉ ኸኣ፡
የሱስ፡ እቲ ቈልዓ፡ ኣብ የሩሳሌም ተረፈ። ዮሴፍን ኣዲኡን ግና እዚ ኣይፈለጡን። 44 ምስ ሰብ መገዲ ዘሎ
መሲልዎም፡ መገዲ ሓንቲ መዓልቲ ኸዱ፡ ኣብ ኣዝማዶምን ኣብ ዚፈልጥዎምን ከኣ ደለይዎ። 45 ምስ
ሰኣንዎ ኸኣ፡ ኪደልይዎ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። 46 ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኣብ ቤተ
መቕደስ ኣብ ማእከል መምህራን ተቐሚጡ እናሰምዖምን እናሓተቶምን ረኸብዎ። 47 ዝሰምዕዎ ዘበሉ
ኸኣ በቲ ምስትውዓሉን ምላሹን ተገረሙ። 48 ምስ ረኣይዎ ድማ ሰምበዱ። ኣዲኡ ኸኣ፡ በል ወደይ፡
ስለምንታይከ ኸምዚ ገበርካና፧ እንሆ፡ ኣቦኻን ኣነን እናጕሄና ንደልየካ ኔርና፡ በለቶ። 49 ንሱ ኸኣ፥
ንምንታይሞ እትደልዩኒ፧ ኣብቲ ናይ ኣቦይ ዘበለ ክኸውን ከም ዚግብኣኒዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧
በሎም። 50 ንሳቶም ግና ነዚ ዝበሎም ዘረባ ኣየስተውዓልዎን። 51 ምሳታቶም ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፡
ይእዘዞምውን ነበረ። ኣዲኡ ድማ ነዚ ዅሉ ነገር ኣብ ልባ ተዋህልሎ ነበረት። 52 የሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽን ሰብን ብጥበብን ብቑመትን ብጸጋን ዓበየ።

# ምዕራፍ 3

1 ኣብ መበል ዓሰርተው ሓሙሽተ ዓመቱ ንግዝኣት ቄሳር ጢቤርዮስ፡ ጶንጥዮስ ጲላጦስ ኣብ ይሁዳ
ተሸይሙ ኸሎ፡ ሄሮዶስ ብዓል ርባዕ ሽመት ድማ ኣብ ገሊላ፡ ፊልጶስ ሓዉ ብዓል ርባዕ ሽመትውን ኣብ
ኢጡርያን ኣብ ሃገር ጥራኮኒቲስን፡ ሊሳንያስ ብዓል ርባዕ ሽመት ከኣ ኣብ ኣቢለኔ ተሸይሞም ከለዉ፡ 2
ሊቃውንቲ ኻህናትውን ሃናን ቀያፋን ከለዉ፡ ቃል ኣምላኽ ናብ ዮሃንስ ወዲ ዘካርያስ ኣብ በረኻ መጸ። 3
ንሱ ድማ ጥምቀት ንስሓ ንሕድገት ሓጢኣት እናሰበኸ፡ ኣብ ኵሉ ወሰን ዮርዳኖስ ዞረ። 4 ከምቲ ኣብ ቃል
መጽሐፍ ነብዩ ኢሳይያስ እተጻሕፈ፡ ከምዚ ዚብል፥ ቃል ኣዋጅ ነጋሪ ኣብ በረኻ ዚእውጅ፥ ጐደና
እግዚኣብሄር ጽረጉ መገዱ ድማ ኣቕንዑ። 5 ሽንጭሮ ዘበለ ልዕል ይበል፡ ከረንን ኵርባን ዘበለ ድማ ትሕት
ይበል፡ ቄናን ከኣ ይቕናዕ፡ ድንጉርውን ሰጥ ዝበለ መገዲ ይኹን። 6 ስጋ ዝለበሰ ዅሉ ምድሓን ኣምላኽ
ኪርኢ እዩ። 7 ነቶም ንሱ ኺጥምቖም ዝመጹ ሰባት ድማ ይብሎም ነበረ፥ ኣቱም ውላድ ተመን፡ ካብቲ
ዚመጽእ ቍጥዓ ኽትመልቁኸ፡ መን ሓበረኩም፧ 8 እምበኣርስኸ ንንስሓ ዚበቅዕ ፍረ ግበሩ። ካብዘን
ኣእማን እዚኤን ንኣብርሃም ውሉድ ኬተንሳኣሉ ንኣምላኽ ከም ዚከኣሎ፡ ኣብለኩም ኣሎኹ እሞ፡
ብርእስኹም፥ ኣብርሃም ኣቦ ኣሎና ምባል ኣይትጀምሩ። 9 ካብ ሕጂ ኸኣ ማሕጸ ኣብቲ ሱር ኣእዋም

ተነቢሩ ኣሎ። ስለዚ ጽቡቕ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ዅሉ ኦም ይቘረጽ ናብ ሓዊ ኸኣ ይድርበ እዩ። 10 እቶም
ህዝቢ ድማ፥ እንታይ እሞ ንግበር፡ ኢሎም ሐተትዎ። 11 ንሱ ኸኣ፥ ክልተ ቐምሽ ዘለዎ ነቲ ዜብሉ
ይምቀሎ፡ ቀለብ ዘለዎ ድማ ከምኡ ይግበር፡ ኢሉ መለሰሎም። 12 ተገውቲ ድማ ኪጥመቑ መጺኦም፥
መምህር፡ እንታይ ንግበር፧ በልዎ። 13 ንሱ ኸኣ፥ ካብቲ እተኣዘዘልኩም ሓለፋ ኣይትውሰዱ፡ በሎም። 14
ዓቀይቲውን፥ ንሕናኸ እንታይ ንግበር፧ ኢሎም ሐተትዎ። ንሱ ኸኣ፥ ንሓደ እኳ ኣይትግፍዑ፡
ብሓሶትውን ኣይትኽሰሱ፡ ደደመወዝኩም ከኣ ይእከልኩም፡ በሎም። 15 እቶም ህዝቢ ኺጽበዩ ኸለዉ፡
ኵሎም ከኣ ብዛዕባ ዮሃንስ፥ ክርስቶስ ኰን ይኸውን፧ ኢሎም በብልቦም ኪሐስቡ ኸለዉ ድማ፡ 16
ዮሃንስ መለሰ ንዅሎም በሎም፡ ኣነስ ብማይ እየ ዘጥምቐኩም ዘሎኹ፡ እቲ ኻባይ ዚብርትዕ፡ ኣነ ስራኹ
ኣሳእኑ ንምፍታሕ ዘይበቕዕ ግና ይመጽእ ኣሎ። ንሱ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓውን ኬጥምቐኩም እዩ። 17
መስኤኡ ኣብ ኢዱ ሒዙ ዓውዱ የጽሪ፡ ነቲ ስርናይ ኣብ ቆፎኡ ይእክቦ፡ ነቲ ሓሰር ግና ብዘይጠፍእ ሓዊ
ኼንድዶ እዩ። 18 ብብዙሕ ካልእ ምዕዶ እናመዓደምውን፡ ነቶም ህዝቢ ኣበሰሮም። 19 ንሄሮድስ ብዓል
ርባዕ ሽመት ድማ ብዛዕባ ሄሮድያዳ ሰበይቲ ፊልጶስ ሓዉን ብዛዕባ እቲ ሄሮድስ ዝገበሮ ዘበለ ዅሉ
ኽፉእ ነገርን ምስ ገንሖ፡ 20 ሄሮድስ ኣብ ልዕሊ እዚ ዅሉ ወሲኹ፡ ንዮሃንስ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዓጸዎ። 21
ኰነ ድማ፡ እቲ ህዝቢ ዅሉ ምስ ተጠምቀ፡ የሱስውን ተጠሚቑ ኺጽሊ ኸሎ፡ ሰማይ ተኸፍተ። 22
መንፈስ ቅዱስ ከኣ በርኣያ ስጋ ኸም ርግቢ ኣብ ልዕሊኡ ወረደ፡ ንስኻ ብኣኻ ዝሰመርኩ ፍትዊ ወደይ
ኢኻ፡ ዚብል ድምጺውን ካብ ሰማይ መጸ። 23 የሱስ ባዕሉ ኺምህር ምስ ጀመረ፡ ኣስታት ወዲ ሰላሳ
ዓመት ኣቢሉ ነበረ። ወዲ ዮሴፍ ከም ዝኾነ ኸኣ ይመስሎም ነበረ፡ ወዲ ኤሊ፡ 24 ወዲ ማታት፡ ወዲ
ሌዊ፡ ወዲ መልኪ፡ ወዲ ያና፡ ወዲ ዮሴፍ፡ 25 ወዲ ማጣትዩስ፡ ወዲ ኣሞጽ ወዲ ናሆም፡ ወዲ ኣስሊ፡
ወዲ ናጌ፡ 26 ወዲ መኣት፡ ወዲ ማታትዩስ፡ ወዲ ሴሜይ፡ ወዲ ዮሴፍ፡ ወዲ ይሁዳ፡ 27 ወዲ ዮና፡ ወዲ
ሬሳ፡ ወዲ ዘሩባቤል፡ ወዲ ሰላትኤል፡ ወዲ ኔሪ፡ 28 ወዲ ሜልኪ፡ ወዲ ኣዲ፡ ወዲ ቆሳም፡ ወዲ
ኤልማዳም፡ ወዲ ኤር፡ 29 ወዲ ዮሴ፡ ወዲ ኣልኣዛር፡ ወዲ ዮራም፡ ወዲ ማጣት፡ ወዲ ሌዊ፡ 30 ወዲ
ስምኦን ወዲ ይሁዳ፡ ወዲ ዮሴፍ፡ ወዲ ዮናን፡ ወዲ ኤልያቂም፡ 31 ወዲ ሜልያ፡ ወዲ ማይናን፡ ወዲ
ማጣት፡ ወዲ ናታን፡ ወዲ ዳዊት፡ 32 ወዲ እሴይ፡ ወዲ እዮቤድ፡ ወዲ ቦኤዝ፡ ወዲ ሰልሞን፡ ወዲ ነኣሶን፡
33 ወዲ ኣሚናዳብ፡ ወዲ ኣራም፡ ወዲ ኤስሮም፡ ወዲ ፋሬስ፡ ወዲ ይሁዳ፡ 34 ወዲ ያእቆብ፡ ወዲ ይስሃቕ፡
ወዲ ኣብርሃም፡ ወዲ ታራ፡ ወዲ ናሆር፡ 35 ወዲ ሳሮክ፡ ወዲ ራጉ፡ ወዲ ፋሌቅ፡ ወዲ ኣቤር፡ ወዲ ሳላ፡ 36
ወዲ ቃይናን፡ ወዲ ኣርፋክሳድ፡ ወዲ ሴም፡ ወዲ ኖህ፡ ወዲ ላሜክ፡ 37 ወዲ ማቱሳላ፡ ወዲ ሄኖክ፡ ወዲ
ያሬድ፡ ወዲ መላልኤል፡ ወዲ ቃይናን፡ 38 ወዲ ሄኖስ፡ ወዲ ሴት፡ ወዲ ኣዳም፡ ወዲ ኣምላኽ።

## ምዕራፍ 4

1 የሱስ መንፈስ ቅዱስ መሊእዎ ኻብ ዮርዳኖስ ተመልሰ፡ ብመንፈስ ከኣ ናብ በረኻ ተመርሐ። 2
ብድያብሎስ ድማ ኣርብዓ መዓልቲ ተፈተነ። በተን መዓልትታት እቲኣተን ገለ እኳ ኣይበልዔን። ንሳተን
ምስ ተወድኣ፡ ጠመየ። 3 ድያብሎስ ድማ፡ ወዲ ኣምላኽ እንተ ኼንካስ፡ እዚ እምኒ እንጌራ ኪኸውን
ኣዝዝ፡ በሎ። 4 የሱስ ከኣ፡ ሰብ ብዅሉ ቓል ኣምላኽ እምበር፡ ብእንጌራ ጥራይ ኣይነብርን፡ ጽሑፍ እዩ፡
ኢሉ መለሰሉ። 5 ድማ ድያብሎስ ናብ ነዊሕ ከረን ኣደየቦ፡ ብቕጽበት ዓይኒ ኸኣ መንግስትታት ኵላ ዓለም
ኣርኣዮ። 6 ሽዑ ድያብሎስ፥ እዚ ስልጣን እዝን ብዘሎ ኽብረተንን ንኣይ ተውሂቡኒ እዩ እሞ፡ ኣነ
ንዝደለኹ እህቦ፡ ንኣኻውን ክህበካ እየ፡ 7 ስለዚ ንስኻ ኣብ ቅድመይ እንተ ሰገድካ፡ ኵሉ ናትካ ኪኸውን

እዩ፡ በሎ። 8 የሱስ ከኣ፥ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ስገድ፡ ንእኡ በይኑ ኸኣ ኣምልኽ፡ ጽሑፍ እዩ እሞ፡
ካባይ ርሐቕ፡ ሰይጣን፡ ኢሉ መለሰሉ። 9-11 ናብ የሩሳሌም ወሰዶ፡ ኣብ ገምገም ቤተ መቕደስ ደው ኣቢሉ
ኸኣ፥ ንመላእኽቱ ኺሕልዉኻ ይእዝዘልካ፡ እግርኻ ብእምኒ ኸይትዕንቀፍ ከኣ በእዳዎም የልዕሉኻ፡
ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ወዲ ኣምላኽ እንተ ዄንካስ፡ ካብዚ ንታሕቲ ተደርበ፡ በሎ። 12 የሱስ ድማ፥
ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ኣይትፈታትኖ፡ ብሁል እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። 13 ሽዑ ድያብሎስ ፈተናኡ ዘበለ
ወድኤ፡ ንጊዜኡ ሐደጎ። 14 የሱስ ድማ ብሓይሊ መንፈስ ናብ ገሊላ ተመልሰ። ወሪኡ ኸኣ ኣብቲ ኣብ
ጐደቦኡ ዘሎ ኹሉ ዓድታት ተሰምዔ። 15 ንሱ ኸኣ ኣብ ቤት ጸሎቶም መሃረ፡ ኵሎምውን ይንእድዎ
ነበሩ። 16 ናብታ ዝዓበየላ፡ ናብ ናዝሬት ድማ መጸ፡ ብመዓልቲ ሰንበት ከኣ ከምቲ ልማዱ ናብ ቤት
ጸሎት ኣተወ፡ ኬንብብውን ተንስኤ። 17 መጽሓፍ ነብዩ ኢሳይያስ ከኣ ሃብዎ። ነቲ መጽሓፍ እንተ ቐልዖ
ኸኣ፡ እዚ እተጻሕፎ ኽፍሊ ረኸበ፥ 18 ንድኻታት ከበስሮም ስለ ዝቐብኣኒ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ኣብ
ልዕለይ እዩ። ንምሩኻት ክምልስ፡ ንዕዉራት ምርኣይ፡ ንግፉዓት ከኣ ምውጻእ ሓራ ኽሰብኽ፡ 19 ሕርይቲ
ዓመት እግዚኣብሄር ክሰብኽ ለኣኸኒ። 20 ነቲ መጽሓፍ ዓጺፉ ኸኣ፡ ነቲ ኣገልጋሊ ሂብዎ ተቐመጠ።
ኣብታ ቤት ጸሎት ዝነበሩ ኹሎም ድማ ኣዒንቶም ናብኡ ይጥምታ ነበራ። 21 ሽዑ፥ እዚ ጽሑፍ እዚ
ሎሚ ኣብ ኣእዛንኩም ተፈጸመ፡ ኪብሎም ጀመረ። 22 ኵሎም ከኣ መስከሩሉ፡ በቲ ኻብ ኣፉ ዚወጽእ
ዘረባ ጸጋ ድማ ይግረሙ ነበሩ፥ እዝስ ወዲ ዮሴፍ ደይኮነን፧ ከኣ ይብሉ ነበሩ። 23 ንሱ ድማ፥ ብርግጽ
እዚ ምስላ እዚ፥ ፈዋሳይ ንርእስኻ ፈውስ፡ እቲ ኣብ ቅፍርናሆም ዝገበርካዮ ኽም ዝሰማዕና፡ ኣብዚ ኣብ
ዓድኻውን ከምኡ ግበር፡ ትብሉኒ ኢሎኹም፡ በሎም። 24 በለ ኸኣ፥ ነብዩ ኣብ ዓዱ ከቶ ኽም ዘይከብር፡
ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 25 ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፥ ብዘመን ኤልያስ እቲ ሰማይ ሰለስተ ዓመትን
ሽዱሽተ ወርሕን እተዐጽወሉ፡ ኣብ ኵላ እታ ምድሪ ኸኣ ዓብዩ ጥሜት ዝኾነሉ ወርሓት፡ ኣብ እስራኤል
ብዙሓት መበለታት ነይረን፡ 26 ኤልያስ ከኣ ናብ ሓንቲ መበለት ሰበይቲ ኣብ ሰራጵታ ናይ ሲዶና እምበር፡
ናብ ሓንቲ ኻባታተንሲ ኣይተላእከን። 27 ብዘመን ነብዩ ኤልሳእውን ኣብ እስራኤል ብዙሓት ለምጻማት
ነይሮም፡ ንእማን ሶርያዊ ጥራይ ደኣ እምበር፡ ካባታቶምሲ ሓደ እኳ ኣይነጽሄን። 28 ኣብታ ቤት ጸሎት
ዝነበሩ ኹሎም እዚ ምስ ሰምዑ፡ ኣዝዮም ኲረዩ። 29 ተንሲኦም ካብ ዓዲ ናብ ወጻኢ ኣውጽእዎ፡
ኬጽድፍዎ ኸኣ ናብ ገምገም እታ ዓዶም ተሰሪሓትሉ ዘላ ኸረን ወሰድዎ። 30 ንሱ ግና ብማእከሎም
ሐሊፉ ኸደ። 31 ድሕርዚ ናብ ቅፍርናሆም ከተማ ገሊላ ወረደ፡ ብሰንበትውን ይምህሮም ነበረ። 32
ዘረባኡ ብስልጣን ስለ ዝነበረ ድማ፡ ብምህሮኡ ተገረሙ። 33 ኣብታ ቤት ጸሎት ከኣ ርኹስ መንፈስ
ዝሐደሮ ሰብኣይ ነበረ፡ ብዓብዩ ድምጺ ኸኣ፥ 34 ኣየ፡ የሱስ ናዝራዊ፡ ምሳኻ እንታይ ኣሎና፧ ከተጥፍኣናዶ
መጺእካ፧ ኣታ ናይ ኣምላኽ ቅዱስ፡ መን ምዃንካ ፈሊጠካ ኣሎኹ፡ እናበለ ጨደረ። 35 የሱስ ከኣ፥ ስቕ
በል ካብኡውን ውጻእ፡ ኢሉ ገንሖ። እቲ ጋኔን ድማ ኣብ ማእከሎም ደርበዮ፡ ገለ እኳ ኸይጐድኦ ኸኣ
ካብኡ ወጸ። 36 ኵሎም ሰምበዱ፡ ንሓድሕዶም ከኣ፥ እዚ ነገርዚስ እንታይ እዩ፧ ንርኹሳት መናፍስቲ
ብሓይልን ስልጣንን ይእዝዞም እሞ፡ ይወጹ፡ እናበሉ ተዛራረቡ። 37 ወሪኡ ድማ ናብተን ኣብ ከባቢኡ
ዘለዋ ኹለን ጐደቦታት ወጸ። 38 ካብ ቤት ጸሎት ተንሲኡ፡ ናብ ቤት ስምኦን ኣተወ። ሓማት ስምኦን ከኣ
ብብርቱዕ ዓሶ ሐሚማ ነበረት፡ ብዛዕባኣውን ለመንዎ። 39 ኣብ ልዕሊኣ ድንን ኢሉ ነቲ ዓሳኦ ገንሖ፡ እቲ
ዓሶውን ሐደጋ። ብኡብኡ ተንሲኣ ኣገልገለቶም። 40 ጸሐይ ክትዓርብ ከላ ኸኣ፡ በበይኑ ዝኾነ ሕማም
ዘለዎም ኵሎም ሕሙማት ናብኡ ኣምጽኡ። ንሱ ድማ ኣብ ነፍሲ ወከፎም ኢዱ ኣንቢሩ ኣሕወዮም። 41
ኣጋንንቲውን፥ ንስኻ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፡ እናበሉ እናጨደሩን ካብ ብዙሓት ይወጹ ነበሩ። ይገንሖም ከኣ
ነበረ፡ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ስለ ዝፈለጡ ድማ፡ ኪዛረቡ ኣይፈቐደሎምን። 42 ምስ ወግሔ ድማ፡ ወጺኡ

ናብ ጽምዊ ቦታ ኸደ። እቶም ህዝቢ ኸኣ ይደልይዎ ነበሩ፡ ናብኡ መጺኦምውን ካባታቶም ከይኸይድ
ሐዝዎ። 43 ንሱ ግና፥ ስለዚ እየ እተለኣኽኩ እሞ፡ ንኻልኦት ዓድታት ድማ ብስራት መንግስቲ ኣምላኽ
ክሰብክለን ይግብኣኒ እዩ፡ በሎም። 44 ኣብ ኣባይቲ ጸሎት ገሊላ ኸኣ ይሰብኽ ነበረ።

# ምዕራፍ 5

1 ኰነ ድማ፡ ብዙሓት ህዝቢ እናተዳፍእዎ፡ ቃል ኣምላኽ ኪሰምዑ ኸለዉ፡ ንሱ ኣብ ጥቓ ባሕሪ
ጌንሳሬጥ ደው ኢሉ ነበረ። 2 ኣብ ገምገም ባሕሪ ኸኣ ጃልባ ደው ኢለን ረኣየ። እቶም ገፈፍቲ ዓሳ ድማ
ካባታተን ወሪዶም መርበቦም ይሐጽቡ ነበሩ። 3 ካብተን ጀላቡ ኣብ ሓንቲ፡ ናይ ስምኦን ዝነበረት ኣትዩ
ኻብ ምድሪ ቐሩብ ኣርሕቕ ኬብላ ለመኖ። ኣብታ ጃልባ ተቐሚጡ ድማ ነቶም ህዝቢ ይምህሮም ነበረ።
4 ዘረባኡ ምስ ወድኤ ኸኣ፡ ንስምኦን፡ ናብቲ ዓሚቕ ቅርብ በል እሞ መርበብኩም ንምግፋፍ ደርብዩ፡
በሎ። 5 ስምኦን ከኣ፡ መምህር፡ ለይቲ ብምልእታ ጽዒርና፡ ዝሐዝና የብልናን፡ ብቓልካ ግና ነዚ መርበብ
እድርብዮ፡ ኢሉ መለሰሉ። 6 እዚ ምስ ገበረ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ዓሳ ሐዙ፡ እቲ መርበቦምውን ተቐደ። 7 ነቶም
ኣብታ ኻልኣይቲ ጃልባ ዘለዉ ብጾቶም ከኣ መጺኦም ኪድግፍዎም ኣመልከትዎም። መጺኦም ድማ
ንኽልቲኤን ጃልባ ጥቓ ምጥሓል ክሳዕ ዚቀርባ መልእወን። 8-10 ስምኦን ጴጥሮስ እዚ ምስ ረኣየ፡ ንሱ
ብዛዕባ እቲ ዝገፈፍዎ ምግፋፍ ዓሳ ኣዝዮ ስለ ዝሰምበደ፡ እቶም ምስኡ ዘለዉ ዅሎምን፡ ያእቆብን
ዮሃንስን ደቂ ዘብዴዎስ ሰብ ብርኪ ዝነበሩን ድማ ኸምኡ፡ ስምኦን፥ ጐይታይ፡ ኣነ ሓጥእ ሰብ እየ እሞ፡
ካባይ ርሐቕ፡ እናበለ ኣብ ብርኪ የሱስ ተደፍኤ። የሱስ ከኣ ንስምኦን፥ ካብ ሕጂ ገፋፍ ሰብ ክትከውን
ኢኻ እሞ፡ ኣይትፍራህ፡ በሎ። 11 ጃላቡኦም ናብ ምድሪ ኣውጺኦም፡ ንዅሉ ሐዲጎም ሰዓብዎ። 12 ኰነ
ድማ፡ ኣብ ሓንቲ ዓዲ ኸሎ፡ እንሆ፡ ለምጺ ዝመልኦ ሰብኣይ ኣብኣ ነበረ። ንየሱስ ምስ ረኣዮ፡ ብገጹ
ተደፊኡ፥ ጐይታይ፡ እንተ ትፈቱስ፡ ከተንጽሃኒ ትክእል ኢኻ፡ ኢሉ ለመኖ። 13 የሱስ ድማ፥ ፈትየ ኣሎኹ፡
ንጻህ፡ ኢሉ ኢዱ ዘርጊሑ ተንከዮ። ብኡብኡ እቲ ለምጺ ሐደጎ። 14 ንሱ ኸኣ፡ ኪድ ርእስኻ ንኻህን
ኣርኢ፡ ስለ ዝነጻህካ ድማ ምስክር ምእንቲ ኪኾኖም፡ ከምቲ ሙሴ ዝኣዘዞ፡ መስዋእቲ ሰውእ እምበር፡
ንሓደ እኳ ኣይትንገር። ኢሉ ኣዘዞ። 15 ብዛዕባኡ ድማ፡ ኣዝዩ ወረ ወጸ። ብዙሓት ህዝቢ ኸኣ ኪሰምዕዎን
ካብ ሕማሞም ኪሐውዩን ናብኡ ተኣከቡ። 16 ንሱ ግና ናብ በረኻ እናግለሰ ይጽሊ ነበረ። 17 ኰነ ድማ፡
ሓንቲ መዓልቲ ንሱ ኺምህር ከሎ፡ ካብ ኵሉ ዓድታት ገሊላን ይሁዳን የሩሳሌምን ዝመጹ ፈሪሳውያንን
መምህራን ሕግን ተቀሚጦም ነበሩ። ሓይሊ እግዚኣብሄር ንምሕዋይ ምስኡ ነበረ። 18 እንሆ ድማ ሰባት
መጻጉዕ ሰብኣይ ብዓራት ጾይሮም ኣምጽኡ፡ ኣእትዮም ከኣ ኣብ ቅድሚኡ ኼንብርዎ ይደልዩ ነበሩ። 19
ሰብ ስለ ዝበዝሐ፡ ከመይ ገይሮም ከም ዜእትዉዎ እንተ ጨነቆም ከኣ፡ ናብ ናሕሲ ደየቡ እሞ ጡብ
ኣፍሪሶም ምስ ዓራቱ ናብ ማእከል ናብ ቅድሚ የሱስ ኣውረድዎ። 20 እምነቶም ምስ ረኣየ ድማ፡ ኣታ
ሰብኣይ፡ ሓጢኣትካ ተሐዲጉልካ ኣሎ፡ በሎ’ 21 ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ድማ፥ እዚ ጸርፊ ዚዛረብ ዘሎ
መን እዩ፡ ብጀካ እግዚኣብሄር በይኑኸ መን ሓጢኣት ኪሐድግ ይኽእል፧ ኢሎም ኪሐስቡ ጀመሩ። 22
የሱስ ድማ ሓሳቦም ፈሊጡ መሊሱ በሎም፥ ብልብኹም እንታይ ትሐስቡ ኣሎኹም፡ 23 ኣየናይ ይቐልል፥
ሓጢኣትካ ተሐዲጉልካ ምባልዶ ወይስ ተንስእ እሞ ኺድ ምባል፡ 24 ንወዲ ሰብ ኣብ ምድሪ ሓጢኣት
ኪሐድግ ስልጣን ከም ዘለዎ ምእንቲ ኽትፈልጡ ግና፡ ነቲ መጻጉዕ፥ ተንስእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ
ናብ ቤትካ ኺድ፡ እብለካ ኣሎኹ፡ በሎ። 25 ብኡብኡ ንሱ ኣብ ቅድሚኦም ብድድ ኢሉ፡ ነታ ደቂሱላ
ዝነበረ ዓራት ኣልዒሉ ንኣምላኽ እናኣመስገኖ ናብ ቤቱ ኸደ። 26 ኵሎም ሰምበዱ ንኣምላኽውን

ኣመስገንዎ እሞ፥ ሎምስ ግሩም ነገር ርኢና፡ ኢሎም ፍርሃት መልኦም። 27 ድሕርዚ ድማ ወጸ፡ ሌዊ
ዚብሃል ተጋዊ ኣብ በሪ ተጎ ተቐሚጡ ረኣየ እሞ፥ ስዓበኒ፡ በሎ። 28 ተንሲኡ ኹሉ ሓዲጉ ሰዓቦ። 29
ሌዊ ድማ ኣብ ቤቱ ዓብዪ ምሳሕ ገበረሉ። ብዙሓት ተገውቲ ኻልኦትውን ምሳታቶም ኣብ መኣዲ
ተቐሚጦም ነበሩ። 30 ፈሪሳውያንን ጸሓፍቶምን ድማ ንደቀ መዛሙርቱ፥ ስለምንታይከ ምስ ተገውትን
ሓጥኣንን ትበልዑን ትሰትዩን ኣሎኹም፧ ኢሎም ኣዕዘምዘሙሎም። 31 የሱስ ከኣ፡ ንሓኪምሲ ሕሙማት
እምበር፡ ጥዑያት ኣይደልይዎን እዮም። 32 ንሓጥኣን ናብ ንስሓ እምበር፡ ንጻድቃን ክጽውዕ
ኣይመጻእኩን፡ ኢሉ መለሰሎም። 33 ንሳቶም ድማ፡ ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስ ብዙሕ ሳዕ ይጾሙ ጸሎትውን
ይገብሩ፡ ደቀ መዛሙርቲ ፈሪሳውያንውን ከምኡ፡ ደቀ መዛሙርትኻ ግና ይበልዑን ይሰትዩን፥ በልዎ። 34
የሱስ ከኣ፥ ንስኻትኩምዶ ነዕሩኽ መርዓዊ፡ እቲ መርዓዊ ምሳታቶም ከሎ፡ ከተጹምዎም ይከኣለኩም
እዩ፧ 35 ግናኸ እቲ መርዓዊ ኻባታቶም ዚውሰደለን መዓትታት ኪመጻ እየን እሞ በተን መዓልትታት
እቲኤን ሽዑ ኺጸሙ እዮም፡ በሎም። 36 ምስላ ድማ መሰለሎም፥ ቍራጽ ሓድሽ ዓለባ ኣብ ብላይ ክዳን
ዚልግብ የልቦን። እንተ ዘይኮነስ፡ እቲ ሓድሽ መልገባ ነቲ ብላይ ይቐዶ፡ እቲ ሓድሽ ቍራጽ ምስቲ
ብላይ ኣይላገብን እዩ። 37 ንሓድሽ ወይኒውን ኣብ ኣረገውቲ ኣሕርብቲ ዜዕርቆ የልቦን። እንተ ዘይኮነስ፡
እቲ ሓድሽ ወይኒ ነቲ ኣሕርብቲ ይቐዶ፡ ንሱውን ይፈስስ ኣሕርብቲ ድማ ይባላሾ። 38 ንሓድሽ ወይንስ
ኣብ ሓደስቲ ኣሕርብቲ ደኣ የዕርቕዎ፡ ክልቲኣቶም ከኣ ይእርነቡ። 39 ከራሚ ወይኒ ሰትዩ፡ ከራሚ
ይሐይሽ፡ ይብል እምበር፡ ሓድሽ ወይኒ ዚደሊ የልቦን።

# ምዕራፍ 6

1 ኰነ ድማ፡ ብመዓልቲ ሰንበት ብዝሩእ ግርሁ ሐለፈ። ደቀ መዛሙርቱ ሰዊት መሐዉ፡ በእዳዎም
እናሐሰዩ ኸኣ ይጐስሙ ነበሩ። 2 ሓያሎ ኻብ ፈሪሳውያን ከኣ፥ ስለምንታይ ብሰንበት ምግባሩ ዘይተፈቕደ
ትገብሩ አሎኹም፧ በልዎም። 3 የሱስ ከኣ፥ ዳዊት፡ ንሱን እቶም ምስኡ ዝነበሩን ምስ ጠመዩ፡ ዝገበሮ፡ 4
ናብ ቤት ኣምላኽ ከም ዝኣተወ እሞ፡ ብጀካ ንኻህናት ጥራይ እምበር፡ ምብላዑ ዘይተገብኤ እንጌራ
ምርኣይ ወሲዱ ኸም ዝበልዔ ነቶም ምስኡ ዝነበሩውን ከም ዝሃቦምሲ፡ እኳዶ ኣየንበብኩምን፧ ኢሉ
መለሰሎም። 5 ወዲ ሰብ ጐይታ ሰንበት እዩ፡ ከኣ በሎም። 6 ኰነ ድማ፡ ብሓንቲ ኻልእ ሰንበት ናብ ቤት
ጸሎት ኣትዩ መሃረ። ኣብኡ ድማ የማነይቲ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ ነበረ። 7 ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን ከኣ፡
መኽሰሲ ምእንቲ ኺረኽቡሉ፥ እስኪ ብሰንበት እንተ ኣሕወዮ፡ ኢሎም ይጻናጸንዎ ነበሩ። 8 ንሱ ኸኣ
ሓሳቦም ፈሊጡ፡ ነቲ ኢዱ ዝነቐጸት ሰብኣይ፥ ተንስእ እሞ ኣብ ማእከል ደው በል፡ በሎ። ንሱውን
ተንሲኡ ደው በለ። 9 የሱስ ከኣ፡ ብሰንበትሲ ጽቡቕ ምግባርዶ ወይስ ክፉእ ምግባር፡ ንነፍስስ ምድሓንዶ
ወይስ ምቕታላ ይግባእ፧ ኢሉ እሐተኩም አሎኹ፡ በሎም። 10 ናብ ኵሎም ግልጽ ግልጽ ኢሉ ርእዩ ኸኣ፡
ነቲ ሰብኣይ፥ ኢድካ ዘርግሕ፡ በሎ። ንሱ ድማ ከምኡ ገበረ፡ እታ ኢዱውን ሐወየት። 11 ንሳቶም ግና
ኣዝዮም ነደሩ፡ ንየሱስ እንታይ ከም ዚገብርዎ ድማ፡ ንሓድሕዶም ተማኸሩ። 12 ኰነ ድማ፡ በቲ ወርሓት
እቲ ኪጽሊ ናብ ከረን ደየበ፡ ለይቲ ብምልእታ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ነቒሑ ሐደረ። 13 ምድሪ ምስ
ወግሔ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ናብኡ ጸውዖም፡ ካባታቶም ሃዋርያት ኢሉ ዝሰመዮም ዓሰርተው ክልተ ሐረየ፡
14 ስምኦን፡ ጴጥሮስ ኢሉ ዝሰመዮ፡ እንድርያስ ድማ ሓዉን ያእቆብን ዮሃንስን ፊልጶስን በርተሎሜዎስን፡
15 ማቴዎስን ቶማስን ያእቆብ ወዲ እልፍዮስን እቲ ቀናእ እተበህለ ስምኦንን፡ 16 ይሁዳ ወዲ ያእቆብን እቲ
ዘትሐዞ ይሁዳ ኣስቆሮታውን። 17 ምሳታቶም ወሪዱ ድማ፡ ሰጥ ኣብ ዝበለ ቦታ ደው በለ፡ ብዙሓት ካብ

ደቀ መዛሙርቱን ኣዝዮ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ካብ ብዘሎ ይሁዳን የሩሳሌምን ገምገም ባሕሪ ጢሮስን
ሲዶናን ኪሰምዕዎ ኻብ ሕማሞምውን ኪሐውዩ ዝመጹ ኣብኡ ነበሩ። 18 እቶም ብርኹሳት መናፍስቲ
ዚሳቐዩ ዝነበሩውን ሐወዩ። 19 እቶም ህዝቢ ኸኣ ኵላቶም ኪትንክይዎ ይደልዩ ነበሩ። ካብኡ ሓይሊ
ይወጽእ ነበረ እሞ፡ ንብዘለዉ ኣሕወዮም። 20 ንሱ ድማ ናብ ደቀ መዛሙርቱ እናጠመተ በለ፡ ኣቱም
ድኻታት፡ መንግስቲ ኣምላኽ ንኣኻትኩም እያ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። 21 ኣቱም ሕጂ እትጠምዩ፡
ክትጸግቡ ኢኹም እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። ኣቱም ሕጂ እትበኽዩ፡ ክትስሕቁ ኢኹም እሞ፡ ብጹኣን
ኢኹም። 22 ሰብ ስለ ወዲ ሰብ ኢሎም እንተ ጸልኡኹም፡ እንተ ፈለዩኹም፡ እንተ ጸረፉኩም፡
ስምኩምውን ከም ክፉእ እንተ ኣውጽእልኩም፡ ብጹኣን ኢኹም። 23 እንሆ፡ ኣቦታቶም ድማ ንነብያት
ከምኡ ይገብርዎም ነይሮም እዮም እሞ፡ ኣብ ሰማይ ዓስብኹም ብዙሕ ኪኸውን እዩ፡ ሽዑ በታ
መዓልቲ እቲኣ ባህ ይበልኩም ተሐጐሱውን። 24 ኣቱም ሃብታማት ግን፡ ሐጐስኩም ወዲእኩም ኢኹም
እሞ፡ ወይለኹም’ 25 ኣቱም ጽጉባት፡ ክትጠምዩ ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። ኣቱም ሕጂ እትስሕቁ፡
ክትበኽዩ ክትሐዝኑን ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። 26 ኵሉ ሰብ ጽቡቕ እንተ ተዛረበልኩም፡ ኣቦታቶም
ንነብያት ሓሶት ከምኡ ይገብርዎም ነይሮም እዮም እሞ፡ ወይለኹም። 27 ንኣኻትኩም ንትሰምዑ ግና
እብለኩም ኣሎኹ፥ ጸላእትኩም ኣፍቅሩ፡ ንዚጸልእኹም ጽቡቕ ግበሩ። 28 ንዚረግሙኹም መርቑ፡
ምእንቲ እቶም ዚጸርፉኹም ጸልዩ። 29 መልትሕካ ንዝወቕዓካ እታ ኻልኣይቲውን ምለሰሉ፡ ክዳንካ
ንዝወሰደ ቐምሽካውን ኣይትኽልኣዮ። 30 ንዝለመንካ ዘበለ ሃብ፡ ገንዘብካ ኻብ ዝወሰደውን መሊስካ
ኣይትድለ። 31 ከምቲ ሰብ ኪገብሩልኩም እትደልይዎ፡ ንስኻትኩም ድማ ከምኡ ግበሩሎም። 32 ሓጥኣን
ድማ ንዚፈትውዎምሲ ይፈትዉ እዮም እሞ፡ ንዚፈትዉኹም ጥራይ እንተ ፈቶኹም፡ እንታይ ምስጋና
ኣሎኹም፧ 33 ጽቡቕ ንዚገብሩልኩም ጥራይ ጽቡቕ እንተ ገበርኩምከ፡ እንታይ ምስጋና ኣሎኹም፧
ሓጥኣን ከኣ ከምኡ ይገብሩ እዮም። 34 ኪፈድዩኹም ንትጽበይዎም እንተ ኣለቃሕኩምከ፡ እንታይ ምስጋና
ኣሎኹም፧ ሓጥኣን ድማ ንሓጥኣን ክንድኡ ኺፍደዩ የለቅሑ እዮም። 35 ግናኸ ንጸላእትኹም ኣፍቅሩ
ጽቡቕ ከኣ ግበሩ፡ ክትፍደዩ ኸይተጸቤኹም ኣለቅሑ። እግዚኣብሄር ንዘየመስግኑን ንሕሱማትን ርሕሩሕ
እዩ እሞ፡ ዓስብኹም ብዙሕ ኪኸውን እዩ፡ ውሉድ እቲ ልዑልውን ክትኰኑ ኢኹም። 36 ከምቲ ኣቦኹም
ርሕሩሕ ዝኾነ፡ ርሕሩሓት ኩኑ። 37 ኣይትፍረዱ ኣይክትፍረዱን ኢኹም፡ ኣይትኾንኑ ኣይክትኰነኑን
ድማ ኢኹም፡ ሕደጉ ኺሕደገልኩም እዩ። 38 ሃቡ ኺውሃበኩም እዩ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ
ኺስፈረልኩም እዩ እሞ፡ ጽቡቕ እተሰጐደ፡ ንኽኑኽ እተፋረወ መስፈሪ ኣብ ሕቝፍኹም ኪህቡኹም
እዮም። 39 ብምስላ ኸኣ በሎም፥ ዕዉርዶ ንዕዉር ኪመርሖ ይኽእል እዩ፧ ክልቲኣቶምዶኸ ኣብ ጉድጓድ
ኣይወድቑን፧ 40 ተመሃሪ ኻብ መምህሩ ኣይበልጽን፡ ተምሂሩ ዝወድኤ ኹሉ ግና ከም መምህሩ እዩ
ዚኸውን። 41 ስለምንታይ ኣብ ዓይኒ ሓውካ ዘሎ በሰር እትርኢ፡ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ግና
ዘይተስተብህል፧ 42 ወይስ ንስኻ ኣብ ዓይንኻ ዘሎ ጉንዲ ዘይትርኢ፡ ንሓውካ፡ ሓወይ፡ ካብ ዓንይኻ በሰር
ከውጽኣልካስ ሕደገኒ፡ ክትብሎ ኸመይ ጌርካ ትኽእል፧ ኣታ ግቡዝ፡ ቅድም ነቲ ጉንዲ ኻብ ዓይንኻ
ኣውጽኣዮ፡ ድሕርቲ ኣብ ዓይኒ ሓውካ ዘሎ በሰር ንምውጻእ ኣጸቢቕካ ኽትርኢ። 43 ጽቡቕ ኦም ክፉእ
ፍረ ዚፈሪ፡ ወይስ ክፉእ ኦም ጽቡቕ ፍረ ዚፈሪ የልቦን። 44 ኵሉ ኦም ካብ ፍሪኡ ይፍለጥ እዩእሞ፡ ካብ
እሾኽ በለስ ኣይእረን፡ ካብ ጨዓውን ወይኒ ኣይቅንጠብን እዩ። 45 ኣፍ ካብ ምልኣት ልቢ እዩ ዚዛረብ
እሞ፡ እቲ ሕያዋይ ሰብ ካብቲ ጽቡቕ መዝገብ ልቡ ጽቡቕ የውጽእ። እቲ ኽፉእ ድማ ካብቲ ኽፉእ
መዝገብ ልቡ ኽፉእ እዩ ዜውጽእ። 46 ስለምንታይ ደኣ፥ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ እትብሉኒ እሞ ኣነ ዝብሎ
ኣይትገብሩን፧ 47 እቲ ናባይ ዚመጽእን ንቓለይ ሰሚዑ ዚገብሮን ዘበለ ኹሉ፡ ንመን ከም ዚመስል

ክርእየኩም እየ፥ 48 ቤት ኪሰርሕ ከሎ፡ ኣዕሚቑ ዝኾዓተን መሰረቱውን ኣብ ከውሒ ዝሰረተን ሰብኣይ
ኣዩ ዚመስል። ደምሳሲ ውሒዝ ምስ መጸ፡ እቲ ውሒዝ ነታ ቤት ደፍኣ፡ ኣብ ከውሒ ስለ እተሰረተት
ከኣ፡ ምንቕናቓ ሰኣነ። 49 እቲ ሰሚዑ ዘይገብሮ ግና ቤቱ ብዘይ መሰረት ኣብ ምድሪ ዝሰርሔ ሰብኣይ እዩ
ዚመስል። ውሒዝ ደፍኣ፡ ብኡብኡ ወደቐት። ኣዋዳድቓ እታ ቤት እቲኣ ኸኣ ዓብዩ ኾነ።

# ምዕራፍ 7

1 ብዘሎ ዘረባኡ ኣብ እዝኒ ህዝቢ ምስ ወድኤ፡ ናብ ቅፍርናሆም ኣተወ። 2 ሓደ ሓለቓ ሚእቲ ዜኽብሮ
ባርያኡ ሐሚሙ ንሞት ቀሪቡ ነበረ። 3 ወረ የሱስ ምስ ሰምዔ፡ መጺኡ ንባርያኡ ኼሕውየሉ፡ ዓበይቲ
ኣይሁድ ናብኡ ልኢኹ ለመኖ። 4-5 ንሳቶም ድማ ናብ የሱስ መጺኦም፥ ንሱ ንህዝብና ይፈቱ፡ ቤት ጸሎት
ዝሰርሓልና ኸኣ ንሱ እዩ፡ እዚ ኽትገብረሉ ይግባእ እዩ፡ ኢሎም ኣጽኒዖም ለመንዎ። 6 የሱስ ከኣ
ምሳታቶም ከደ። ናብ ቤቱ ምስ ቀረበ ኸኣ፡ እቲ ሓለቃ ሚእቲ ኣዕሩኽ ለኣኸ፡ ከምዚ ኢሉ፥ ጐይታይ፡
ናብ ትሕቲ ናሕሰይ ክትኣቱ ኣነ ኣይብቑዕን እየ እሞ፡ ኣይትድከም። 7 ስለዚ ድማ ንርእሰይ ናባኻ
ንምምጻእ ብቑዕቲ ገይረ ኣይቈጸርክዋን። ግናኸ ሓንቲ ቓል ተዛረብ፡ ወደይ ከኣ ይሐዊ እዩ። 8 ኣነ ድማ
ኣብ ትሕቲ ብዓል ስልጣን ዝግዛእ፡ ኣብ ትሕተይውን ዓቀይቲ ዘለውኒ ሰብ እየ እሞ፡ ነዚ ኺድ እብሎ፡
ይኸይድ፡ ነቲ ድማ ንዓ፡ ይመጽእ፡ ንባርያይውን እዚ ግበር፡ ይገብር ከኣ። 9 የሱስ እዚ ምስ ሰምዔ፡
ተገረመ፡ ግልጽ ኢሉ ኸኣ ነቶም ዝሰዓብዎ ህዝቢ፥ ከምዚ ዝበለት ዓባይ እምነትሲ ኣብ እስራኤል እኳ
ኣይረኸብኩን፡ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም’ 10 እቶም ልኡኻት ናብ ቤት ምስ ተመልሰ ድማ፡ እቲ
ሐሚሙ ዝነበረ ባርያ ሐውዩ ረኸብዎ። 11 ንጽቢሒቱ ድማ ኾነ፡ ናይን ናብ እትብሃል ከተማ ኸደ፡
ምስኡ ኸኣ ሓያሎ ኻብ ደቀ መዛሙርቱን ብዙሕ ህዝብን ከዱ። 12 ናብ ኣፍ ደገ እታ ኸተማ ምስ ቀረቡ፡
እንሆ፡ ምዉት ተጾይሩ ወጸ፡ ንሱ ነዲኡ ሓደ ወዳ ነበረ፡ ንሳ ኸኣ መበለት እያ። ብዙሓት ደቂ እታ
ኸተማ ኸኣ ምስኣ ነበሩ። 13 ጐይታ ምስ ረኣያ፡ ደንገጸላ እሞ፥ ኣይትብከዩ፡ በላ። 14 ቀሪቡ ነቲ ቓሬዛ
ተንከዮ፡ እቶም ጸወርቲውን ደው በሉ። ንሱ ኸኣ፡ ኣታ ጐበዝ፡ ተንስእ፡ እብለካ ኣሎኹ፡ በሎ። 15 እቲ
ምዉት ተንስኡ ተቐመጠ፡ ምዝራብውን ጀመረ፡ ነዲኡ ድማ ሃባ። 16 ንኹሎም ፍርሃት ሐዞም፥ ዓብዩ
ነብዩ ተንሲኡልና፡ ኣምላኽ ንህዝቡ በጽሔ፡ እናበሉ ኸኣ ንኣምላኽ ኣመስገንዎ። 17 እዚ ወረዚ ድማ
ብዛዕባኡ ኣብ ኵላ ይሁዳን ኣብ ጐደቦታታን ተሰምዔ። 18 ንዮሃንስ ድማ ደቀ መዛሙርቱ ኹሉ እዚ
ነገርዚ ነገርዎ። 19 ዮሃንስ ከኣ ክልተ ኻብ ደቀ መዛሙርቱ ጸዊዑ፥ እቲ ዚመጽእሲ ንስኻ ዲኻ ወይስ
ካልእ ክንጽበ ኢና፡ ኢሉ ናብ የሱስ ለኣኾም። 20 እቶም ሰባት ኣብ የሱስ ምስ በጽሑ ኸኣ፥ ዮሃንስ
መጥመቕ፥ እቲ ዚመጽእሲ ንስኻ ዲኻ ወይስ ካልእ ክንጽበ ኢና፧ ኢሉ ናባኻ ልኢኹና፡ በልዎ። 21 ሽዑ
በታ ሰዓት እቲኣ ኻብ ሕማምን ቃንዛን ካብ ርኹሳት መናፍስትን ንብዙሓት ኣሕወየ፡ ንብዙሓት
ዕዉራትውን ምርኣይ ሃቦም። 22 የሱስ ከኣ፥ ዕዉራት ይርእዩ፡ ሓንካሳት ይኸዱ፡ ለምጻማት ይነጽሑ፡
ጸማማት ይሰምዑ፡ ምዉታት ይትንስኡ ኣለዉ፡ ንድኻታትውን ወንጌል ይስበኽ ኣሎ እሞ፡ ኪዱ፡ እዚ
ዝርኤኹምዎን ዝሰማዕኩምዎን ንዮሃንስ ንገርዎ። 23 ብኣይ ዘይዕንቀፍ ብጹእ እዩ፡ ኢሉ መለሰሎም። 24
እቶም ልኡኻት ዮሃንስ ምስ ከዱ፡ ንሱ ነቶም እኩባት ሰብ ብዛዕባ ዮሃንስ ኪብሎም ጀመረ፥ እንታይ
ክትርእዩ ናብ በረኻ ወጻእኩም፧ ብንፋስ ሰሰው ዚብል ሻምብቆዶ፧ 25 እንታይ ክትርእዩ ደኣ ወጻእኩም፧
ልስሉስ ክዳውንቲ እተኸድነ ሰብኣይዶ፧ እንሆ ንኽዳውንቲ ኽብረት ዘጌጹን ዝሐንቀቑንሲ ኣብ ቤት
ነገስታት ኣለዉ። 26 እንታይ ክትርእዩ ደኣ ወጻእኩም፧ ነብዩዶ፧ እወ፡ ካብ ነብዩ እኳ ዚዓቢ እብለኩም

ኣሎኹ። 27 እቲ፥ እንሆ፡ መንገድኻ ዚጽርግ መልኣኸይ ቀቅድሜኻ እልእኽ ኣሎኹ፡ ተብሂሉ እተጻሕፈሉ
ንሱ እዩ። 28 ካብ ኣንስቲ ኻብ እተወልዱ ኻብ ዮሃንስ መጥመቕ ዚዓቢ ነብዩ ሓደ እኳ የልቦን፡
እብለኩም ኣሎኹ። ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ግና እቲ ዚንእስ ይዓብዮ። 29 ኵሎም ህዝብን ተገውትን
ሰሚዖም፡ ብጥምቀት ዮሃንስ ተጠሚቖም ንኣምላኽ ኣጽደቕዎ። 30 ፈሪሳውያንን ፈለጥቲ ሕግን ግና ብእኡ
ኣይተጠምቁን እሞ ነቲ ኣምላኽ ዝመኸረሎም ምኽሪ ነዓቕዎ። 31 እምብኣርሲ ንሰብ እዚ ወለዶ እዚ
ብምንታይ ክምስሎም እየ፧ ንመንሲ ይመስሉ፧ 32 ነቶም ኣብ ዕዳጋ ዚቕመጡ እሞ ንሓድሕዶም
ተጻዊዖም፥ እምብልታ ነፋሕናልኩም ኣይሳዕሳዕኩምን፡ ኣልቀስናልኩም ኣይበኸኹምን፡ ዚብሉ ቘልዑ
እዮም ዚመስሉ። 33 ዮሃንስ መጥመቕ እማ መጺ፡ እንጌራ ኣይበልዕ፡ ወይኒ ኣይሰቲ፥ ጋኔን ኣለዎ፡ ትብሉ፥
ኣሎኹም። 34 ወዲ ሰብ መጺ፡ ይበልዕ፡ ይሰቲ፡ እንሆ፡ በላዕን ሰታይ ወይንን፡ መፍቀር ተገውትን
ሓጥኣንን፡ ትብሉ ኣሎኹም። 35 ጥበብ ግና ብኹሎም ደቃ ጸደቐት። 36 ሓደ ኻብ ፈሪሳውያን ድማ ምስኡ
ኺበልዕ ለመኖ። ናብ ቤት እቲ ፈሪሳዊ ኣትዩ፡ ኣብ መኣዲ ተቐመጠ። 37 እንሆ፡ ኣብታ ዓዲ ሓንቲ
ሓጢኣተኛ ሰበይቲ ነበረት። ኣብ ቤት እቲ ፈሪሳዊ ምቕማጡ ምስ ፈለጠት፡ ቅዱይ ቅብኢ ዝመልኤ
ቢልቃጥ ኣምጽኤት። 38 ብድሕሪኡ ኣብ ጥቓ እግሩ ደው ኢላ እናበኸየት፡ በቲ ንብዓታ እግሩ
ኽተጠልቅዮ ጀመረት፡ ብጸጕሪ ርእሳ እናደረዘት እግሩ ትስዕም፡ ቅዱይ ቅብኢውን ትለኽዮ ነበረት። 39
እቲ ዝጸውዖ ፈሪሳዊ ድማ ነዚ ርእዩ፥ እዚ ነብዩ እንተ ዚኸውንሲ፡ እዛ ዝተንከየቶ ሰበይቲ ሓጢያተኛ
እያ እሞ፡ መን ከመይ ዘመሰለትውን ምኣና ምፈለጣ ነይሩ፡ ኢሉ ብልቡ ሐሰበ። 40 የሱስ ከኣ፥ ስምኦን፡
ዝብለካ ኣሎኒ፡ ኢሉ መለሰሉ። ንሱ ኸኣ፡ በል፡ መምህር፡ በለ። 41 ንሓደ መለቕሒ ኽልተ ሰብ ዕዳ
ነበርዎ። ኣብቲ ሓደ ሓሙሽተ ሚእቲ፡ ኣብቲ ሓደ ድማ ሓምሳ ዲናር ነበሮ። 42 ዚፈድይዎ ስለ ዝሰኣኑ
ግና፡ ንኽልቲኦም ሐደገሎም። ካባታቶምሲ ኣዝዩ ዜፍቅሮ መኖም እዩ፧ 43 ስምኦን ከኣ፥ ንኣይሲ እቲ
ብዙሕ እተሐደገሉ ይመስለኒ፡ ኢሉ መለሰ። ንሱ ኸኣ፥ ቅኑዕ ፈርድካ፡ በሎ። 44 ናብታ ሰበይቲ ግልጽ
ኢሉ ኸኣ ንስምኦን በሎ፥ ነዛ ሰበይቲ እዚኣስ ትርእያዶ ኣሎኻ፧ ናብ ቤትካ ኣቶኹ እሞ ንእግረይ እኳ
ማይ ኣይሃብካንን፡ እዚኣ ግና ብንብዓታ ኣእጋረይ ኣጠልቀየት ብጸጕሪ ርእሳውን ደረዘት። 45 ንስኻ
ኣይተሳለምካንን፡ እዚኣ ግና ካብ ዝኣቱ ጀሚራ ኻብ ምስዓም ኣእጋረይ ኣይዓረፈትን። 46 ንስኻ ርእሰይ
ብዘይቲ ኣይለኸኻንን፡ እዚኣ ግና ኣእጋረይ ብቕዱይ ቅብኢ ለኸየት። 47 ስለዚ፡ ብዙሕ ስለ ዘፍቀረት፡
ንእኣ ብዙሕ ሓጢኣት ተሐዲጉላ፡ እብለካ ኣሎኹ። እቲ ሒደት ዚሕደገሉ ኸኣ ሒደት እዩ ዜፍቅር። 48
ንኣእ ድማ፥ ሓጢኣትኪ ተሐዲጉልኪ፡ በላ። 49 እቶም ምስኡ ኣብ መኣዲ እተቐመጡ ኸኣ ብልቦም፥ እዚ
ሓጢኣት ድማ ዚሕድግሲ፡ መን እዩ፧ ኪብሉ ጀመሩ። 50 ንሱ ግና ነታ ሰበይቲ፡ እምነትኪ ኣድሒናትኪ፡
ብሰላም ኪዲ፡ በላ።

## ምዕራፍ 8

1 ድሕርዚ ድማ ኾነ፡ ንሱ መንግስቲ ኣምላኽ እናሰበኸን እናኣበሰረን ፍቕዳ ኸተማታትን ዓድታትን
ይዘውር ነበረ። እቶም ዓሰርተው ክልተ ኸኣ ምስኡ ነበሩ። 2-3 ካብ ርኹሳት መናፍስትን ካብ ሕማምን
ዝሐወያ ሓያሎ ኣንስቲ ድማ ነበራ፡ ሾብዓተ ኣጋንንቲ ዝወጹላ እታ መግደላዊት ዚብልዋ ማርያም፡ ዮሃና
ሰበይቲ ኩዛ ኣዛዝ ቤት ሄሮድስ፡ ሱሳና ኸኣ ብገንዘበን ዜገልግላኣ ኻልኣት ብዙሓትውን ምስኡ ነበራ። 4
ብዙሓት ህዝቢ ምስ ተኣከቡ፡ ካብ ፍቕዳ ኸተማታት ናብኡ ምስ መጹ፡ ብምስላ ኸምዚ ኢሉ ተዛረበ፡ 5
ዘራኢ ዘርኡ ኪዘርእ ወፈረ። ኪዘርእ ከሎ ድማ፡ ገሊኡ ኣብ ጥቓ መገዲ ወደቐ፡ ተረግጸ ኣዕዋፍ

ሰማይውን በልዓኦ። 6 ገሊኡ ኸኣ ኣብ ከውሒ ወደቐ፡ ምስ በቘለ ድማ፡ ጠሊ ስለ ዘይነበሮ ነቐጸ። 7
ገሊኡውን ኣብ ማእከል እሾኽ ወደቐ፡ እቲ እሾኽ ምስኡ ዐብዩ ሐነቖ። 8 ካልእ ከኣ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ
ወደቐ፡ በቒሉ ሚእቲ ኻዕበት ድማ ፈረየ። እዚ ምስ በለ፥ እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ፡ ኢሉ ጨደረ። 9
ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፥ እዚ ምስላ እዚ እንታይ ማለት እዩ፧ ኢሎም ሐተትዎ። 10 ንሱ በሎም፥ ምፍላጥ
ምስጢር መንግስቲ ኣምላኽ ንኣኻትኩም ተውሂቡ ኣሎ፡ ንኻልኦት ግና፡ እናረኣዩ ምእንቲ ኸይርእዩ፡
እናሰምዑውን ከየስተውዕሉስ፡ ብምስላ እዛረቦም ኣሎኹ። 11 እቲ ምስላኡ እዚ እዩ፥ እቲ ዘርኢ ቃል
ኣምላኽ እዩ። 12 እቶም ኣብ ጥቓ መገዲ፡ ንሳቶም ዚሰምዑ እዮም። ድሕርቲ፡ ምእንቲ ከይኣምኑን
ከይድሕኑን ኢሉ፡ ሰይጣን መጺኡ ነቲ ቓል ካብ ልቦም ይወስዶ። 13 ኣቶም ኣብ ከውሒ፡ ንሳቶም ንቓል
ምስ ሰምዕዎ፡ ብሓጐስ ዚቕበልዎ እዮም። እዚኣቶም ግና ንጊዜኡ ደኣ እዮም ዚኣምኑ እምበር፡ ሱር
የብሎምን፡ ብጊዜ ፈተናውን ይጠልሙ። 14 እቲ ኣብ እሾኽ ዝወደቐ እዚኣቶም እዮም፥ ምስ ሰምዑ፡
መገዶም ከይዶም ብሓልዮትን ሃብትን ጣዕሚ ንብረትን ይሕነቑ እሞ ፍረ ኣይፈርዩን። 15 እቶም ኣብ
ጽቡቕ ምድሪ ድማ፡ ነቲ ቓል ሰሚዖምሲ፡ ኣብ ቅኑዕን ጽቡቕን ልቢ ዚዓቕርዎ፡ ብትዕግስቲውን ፍረ
ዚፈርዩ እዮም። 16 ንመብራህቲ ኣብሪሁ፡ እቶም ዚኣትዉ ብርሃን ምእንቲ ኺርእዩ ኣብ ቀዋሚ ቐንዴል
ይሰቕሎ እምበር፡ በቕሓ ዚኸድኖ ወይስ ኣብ ትሕቲ ዓራት ዜንብሮ የልቦን። 17 ዘይገሃድ ሕቡእ የልቦን
እሞ፡ ዘይፍለጥን ናብ ግልጺ ዘይወጽእን ስዉር ከኣ የልቦን። 18 እምብኣርከ ንዘለዎ ኺወሃቦ እዩ፡ ነቲ
ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እትመስሎ እኳ ኻብኡ ኽትውሰድ እያ እሞ፡ ስለዚ ኸመይ ጌርኩም ከም
እተሰምዑ ተተንቀቑ። 19 ኣዲኡን ኣሕዋቱን ድማ ናብኡ መጹ፡ ብምኽንያት እቲ እኩብ ህዝቢ ግና
ኪረኽብዎ ኣይከኣሉን። 20 ኣዴኻን ኣሕዋትካን ኪርእዩኻ ደልዮም፡ ኣብ ወጻኢ ደው ኢሎም ኣለዉ፡
ኢሎም ነገርዎ። 21 ንሱ ኸኣ፥ ኣደይን ኣሕዋተይንሲ እዞም ንቓል ኣምላኽ ዚሰምዕዎን ዚገርብዎን እዮም፡
ኢሉ መለሰሎም። 22 ሓንቲ መዓልቲ ድማ ኾነ፡ ንሱ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ጃልባ ኣትዩ፥ ንዑናይ፡
ናብቲ ማዕዶ ባሕሪ ንሳገር፡ በሎም፡ ከዱውን። 23 ኪኸዱ ኸለዉ ኸኣ፡ ደቀሰ። ህቦብላ ንፋስ ኣብ ባሕሪ
ወረደ፡ ነታ ጃልባኦም ከኣ ማይ መልኣ፡ ፍርሃትውን ሐዞም። 24 ሽዑ ናብኡ ቐሪቦም፥ መምህር፡ መምህር፡
ጠፋእና፡ ኢሎም ኣተንስእዎ። ንሱ ኸኣ ተንሲኡ፡ ነቲ ንፋስን ነቲ ማዕበል ማይን ገንሖ እሞ፡ ስቕ በለ
ህድኣትውን ኰነ። 25 ሽዑ፥ ኣበይ ደኣ ኣላ እምነትኩም፧ በሎም። ፈሪሆም ከኣ፥ እዚ ንንፋስን ማይን
ዚእዝዞም እሞ ዚእዘዝዎስ መን ኰን እዩ፧ እናተባሃሃሉ ተደነቑ። 26 ኣብ ማዕዶ ገሊላ ናብ ዘሎ ምድሪ
ጌርጌሴኖን ተሳገሩ። 27 ናብ ምድሪ ምስ ወጸ፥ ኣጋንንቲ ዝሐደሮ ሰብኣይ ካብ ከተማ ተጓነፎ። ንሱ ኸኣ
ነዊሕ ዘመን ክዳን ከይተኸድነ ኣብ መቓብር እምበር፡ ኣብ ቤት ዘይቕመጥ እዩ ዝነበረ። 28 ንየሱስ ምስ
ረኣዮ፡ ጨዲሩ ኣብ ቅድሚኡ ወደቐ ብዓብዩ ድምጺውን፥ የሱስ ወዲ ልዑል ኣምላኽ፥ ምሳኻኸ እንታይ
ኣሎኒ፡ ከይትሳቕየኒ እልምነካ ኣሊኹ፡ በሎ። 29 ነቲ ርኹስ መንፈስ ካብቲ ሰብኣይ ኪወጽእ ኣዘዞ። ብዙሕ
ዘመናት ሐዲርዎ ነበረ እሞ፡ ብሰንሰለትን ብመቕሕን ተኣሲሩ ይሕሎ ነበረ። ማእሰሪኡ ይሰብር፡ እቲ
ጋኔን ድማ ናብ በረኻ ሃለው የብሎ ነበረ። 30 የሱስ ከኣ፥ ስምካ መን እዩ፧ ኢሉ ሓተቶ። ንሱ ኸኣ፡
ብዙሓት ኣጋንንቲ ሐዲሮምዎ ስለ ዝነበሩ፥ ለጌዎን፡ በለ። 31 ናብ መዓሙቕ ኪኸዱ ኸይእዝዞም ድማ
ለመንዎ። 32 ኣብኡ ብርቱዕ መጓሰ ሓሰማታት ኣብ ከረን ይበልዕ ነበረ። ናብኡ ንምእታው ኪፈቕደሎም
ከኣ ለመንዎ፡ ንሱውን ፈቐደሎም። 33 እቶም ኣጋንንቲ፡ ካብቲ ሰብኣይ ወጺኦም፡ ናብተን ሓሰማታት
ኣተዉ፡ እቲ መጓሰ ድማ ካብቲ ጸድፊ ናብ ባሕሪ ጸዲፉ ጠሐለ። 34 እቶም ጓሶት ከኣ እቲ ዝኾነ ምስ
ረኣዩ፡ ሃደሙ፡ ኣብ ከተማን ዓድታትን ኣውረዩ። 35 እቶም ህዝቢ ኸኣ እቲ ዝኾነ ኺርእዩ ወጹ፡ ናብ
የሱስውን መጹ። እቲ ኣጋንንቲ ዝወጹሉ ሰብኣይ፡ ክዳኑ ተኸዲኑ ናብ ልቡ ተመሊሱ፡ ኣብ እግሪ የሱስ

ተቐሚጡ ረኸብዎ እሞ ፈርሁ። 36 እቶም ዝረኣይዎ ድማ፡ እቲ ጋኔን ዝነበሮ ኸመይ ኢሉ ኸም ዝሐወየ፡
ነገርዎም። 37 እቶም ኣብ ከባቢ ጌርጌሴኖን ዝነበሩ ደቂ ሃገር ብዙሕ ፍርሃት ስለ ዝፈርሁ፡ ካባታቶም
ኪኸይድ ለመንዎ። ኣብ ጃልባ ኣትዩ ኸኣ ተመልሰ። 38 እቲ ኣጋንንቲ ዝወጸሉ ሰብኣይ ድማ ምስኡ
ኪኸውን ለመኖ። የሱስ ግና፥ 39 ናብ ቤትካ ተመለስ፡ ኣምላኽ ከመይ ዝበለ ዓብዪ ግብሪ ኸም ዝገበርልካ
ንገር፡ ኢሉ ሰደዶ። ከይዱ ድማ፡ እቲ የሱስ ዝገበረሉ ዘበለ ኣብ ብዘላ እታ ኸተማ ነገረ። 40 ኰነ ድማ፡
የሱስ ምስ ተመልሰ፡ ኵሎም ይጽበይዎ ነበሩ እሞ፡ እቶም ሰብ ተቐበልዎ። 41 እንሆ ኸኣ፡ ያኢሮስ ዝስሙ
ሰብኣይ መጸ፡ ንሱ ድማ መራሒ ቤት ጸሎት እዩ። ኣብ እግሪ የሱስ ወዲቑ ናብ ቤቱ ኺኣቱ ለመኖ። 42
ሓንቲ ጓል ጥራይ፡ ንሳ ኸኣ ጓል ዓሰርተው ክልተ ዓመት እትኸውን፡ ነበረቶ። ንሳ ንሞት ቀሪባ ነበረት።
ኪኸይድ ከሎ ድማ፡ እቶም ህዝቢ ይደፍእዎ ነበሩ። 43 እንሆ፡ ካብ ዓሰረተው ክልተ ዓመት ሒዛ ደም
ዛሕዛሕ ዝብላ ሰበይቲ ነበረት። ንሳ ኸኣ ኵሉ ገንዘባ ንሓኻይም ወድኤት፡ ግናኸ ሓደ እኳ ክፍውሳ
ኣይከኣለን። 44 ብድሕሪኡ ቐሪባ ዘፈር ክዳኑ ተንከየት፡ ብኡብኡ እቲ ምኽዓው ደማ ኣቋረጸ። 45 የሱስ
ከኣ፥ መን እዩ ዝተንከየኒ፧ በለ። ኵሎም፥ ኣይፋልናን፡ ምስ በሉ፡ ጴጥሮስ ምስቶም ምስኡ ዘልዉ
ኺዮኑ፥ መምህር፡ እዞም ህዝቢ ይደፍኡኻን ይጸቕቱኻን ኣለዉ፡ ንስኻ ድማ፥ መን እዩ ዝተንከየኒ፧
ትብል፡ በሎ። 46 የሱስ ግና፥ ካባይ ሓይሊ ኸም ዝወጸ ይፍለጠኒ ኣሎ እሞ፡ ዝተንከየንስ ኣሎ፡ በሎ። 47
እታ ሰበይቲ ድማ ከም ዘይተሓብኤት ምስ ረኣየት፡ ራዕራዕ እናበለት መጺኣ ሰገደትሉ። ኣብ ቅድሚ እቲ
ዅሉ ህዝቢ ድማ፡ ብምንታይ ምኽንያት ከም ዝተንከየቶ፡ ሽዑ ንሽዑውን ከም ዝሐወየት፡ ነገረቶ። 48
ንሱ ኸኣ፥ ኣጆኺ ጓለይ፡ እምነትኪ ኣሕወየትኪ፡ ብሰላም ኪዲ፡ በላ። 49 ንሱ ገና ኺዛረብ ከሎ፡ ሓደ ኻብ
ገዛ መራሒ ቤት ጸሎት፥ ጓልካ ሞይታ፡ ደጊም ንመምህር ኣይተድክሞ፡ እናበለ መጸ። 50 የሱስ ሰሚዑ፥
ኣይትፍራህ፥ እመን ደኣ እሞ ክትሐዊ እያ፡ ኢሉ መለሰሉ። 51 ኣብታ ቤት ምስ በጽሐ ኸኣ፡ ብዘይ
ጴጥሮስን ያእቆብን ዮሃንስን ኣቦ እታ ጓልን ኣዲኣን፡ ሓደ እኳ ምስኡ ኺኣቱ ኣይፈቐደን። 52 ኵሎም ድማ
ይበኽዩን ዋይዋይ ይብሉን ነበሩ። ሽዑ ንሱ፥ ኣይትብከዩ፡ ደቂሳ እያ ዘላ እምበር፡ ኣይሞተትን፡ በለ። 53
ከም ዝሞተት ስለ ዝፈለጡ፡ ሰሐቕዎ። 54 ንሱ ኸኣ ንዅሎም ናብ ወጻኢ ኣውጺኡ፡ ቢኢዳ ሒዙ ዓው
ኢሉ፥ ኣቲ ጓል ተንስኢ፡ በለ። 55 ሽዑ ትንፋሳ ተመልሰት እሞ ብኡብኡ ተንስኤት፡ ዚብላዕ ኪህብዋ ድማ
ኣዘዘ። 56 ወለዳ ገረሞም፡ ንሱ ግና እዚ ዝኾነ ንሓደ እኳ ኸይነግሩ ኣዘዞም።

# ምዕራፍ 9

1 ነቶም ዓሰርተው ክልተ ብሓባር ጸዊዑ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሎም ኣጋንንቲ ሕማምውን ኬሕውዩ ሓይልን
ስልጣንን ሃቦም። 2 መንግስቲ ኣምላኽ ኪሰብኩን ንሕሙማት ኬሕውዩን ከኣ ለኣኾም። 3 በሎም ድማ፡
ንመገዲ ገለ ኣይትማልኡ፡ በትሪ ኾነ፡ ለቜታ ኾነ፡ እንጌራ ኾነ፡ ገንዘብ ኰነ ወይ ክልተ ቐምሽ
ኣይሃሉኹም። 4 ኣብታ ዝኣቶኩምዋ ቤት ድማ፡ ኣብኣ ኹኑ፡ ካብኣውን መገድኹም ኪዱ። 5 ኣብቲ
ዘይቅበሉኹም ዘበለ ኸኣ ካብታ ኸተማ እቲኣ ወጺእኩም፡ ንኣታቶም ንምስክር ኪኸውን፡ ተጐጓ
እግርኹም ንገፉ። 6 ወጺኦም ድማ ዓዲ ንዓዲ እናዞሩ፡ ወንጌል ይሰብኩ ኣብ ኵሉውን የሕውዩ ነበሩ። 7
ሄሮድስ ብዓል ርባዕ ሽመት ነቲ ብኣኡ እተገብረ ነገር ሰሚዑ ተዋለወለ። ሓያሎ ሰባት፡ ዮሃንስ ካብ
ምዉታት ተንሲኡ፡ ይብሉ ነበሩ እሞ፡ 8 ገሊኦም፡ ኤልያስ ተራእዩ፡ ገሊኦም ከኣ፥ ካብቶም ቀዳሞት
ነብያትሲ ሓደ ተንሲኡ እዩ፡ በሉ። 9 ሄሮድስ ከኣ፥ ንዮሃንስ ኣነ ርእሱ ኣሰይፈዮ ነይረ። እዚ ብዛዕባኡ
ኸምዚ ዝበለ ነገር ዝሰምዕ ዘሎኹ ደኣ መን እዩ፧ በለ፡ ኪርእዮውን ይደሊ ነበረ። 10 ሃዋርያት ድማ ምስ

ተመለሱ፡ ዝገበርዎ ዘበለ ነገርዎ። ንበይኖም ድማ፡ ናብ ጽምዊ ቦታ ኣብ ጥቓ ቤተ ሳይዳ እትብሃል
ከተማ ምስኣ ወሰዶም። 11 እቶም ህዝቢ ኸኣ እዚ ሰሚዖም ሰዓብዎ። ንሱ ድማ ተቐበሎም፡ ብናይ
መንግስቲ ኣምላኽ ኸኣ ነገሮም፡ ምሕዋይ ንዜድልዮምውን ኣሕወዮም። 12 ምድሪ ኺመሲ ጀመረ። እቶም
ዓሰርተው ክልተ ኸኣ ቀሪቦም፥ ኣብዚ ኣብ በረኻ ኢና ዘሎና እሞ፡ ኣዘም ህዝቢ ኣብ ዙርያና ናብ ዘሎ
ዓድታትን ገዛታትን ከይዶም ኪሐድሩ ዚብላዕውን ኪረኽቡ፡ ኣሳናብቶም፡ በልዎ። 13 ንስኻትኩም
ዚብላዕ ሃብዎም፡ በሎም። ንሳቶም ግና፡ ንሕና ኬድና፡ ነዚ ዅሉ ህዝብዚ መብልዕ ክንዕድግ እንተ
ዘይኰይኑ፡ ምሳና ዘሎስ ካብ ሐሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣይበዝሕን እዩ፡ በሉ። 14 ኣስታት ሓሙሽተ
ሽሕ ሰብ ይዀኑ ነበሩ እሞ፡ ንደቀ መዛሙርቱ፥ በብሓምሳ እናሰራዕኩም ኣቐምጥዎም፡ በሎም። 15
ከምኡ ገበሩ ንዅሉምውን ኣቐመጥዎም። 16 ነተን ሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ኣልዒሉ ናብ ሰማይ
ጠመተ፡ ባረኸ ቈረሰ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ኸኣ ነቶም ህዝቢ ኬቕርብሎም ሃቦም። 17 ኵሎም በሊዖም
ጸገቡ፡ ዝተረፈ ቍረርስ ድማ ዓሰርተው ክልተ መሶብ መሊኦም ኣልዓሉ። 18 ኰነ ድማ፡ ንበይኑ ኺጽሊ
ኸሎ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ምስኡ ነበሩ። ንሱውን፥ ሰብ መን እዩ ይብለኒ ኣሎ፧ ኢሉ ሐተቶም። 19
ንሳቶም ከኣ፡ ዮሃንስ መጥምቕ፡ ገሊኦም፡ ኤልያስ እዩ፡ ይብሉ፡ ገሊኦምውን፡ ካብቶም ቀዳሞት ነብያትሲ
ሓደ ተንሲኡ፡ ዚብሉ ኣለዉ፡ ኢሎም መለስሉ። 20 ንሱ ኸኣ፥ ንስኻትኩምከ መን እዩ ትብሉኒ፧ በሎም።
ጴጥሮስ ከኣ፥ እቲ ናይ ኣምላኽ ቅቡእ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 21 ንሱ ድማ ገንሖም፡ እዚ ንሓደ ኸይነግሩ
ኸኣ ኣዘዞም እሞ፥ 22 ወዲ ሰብ ብዙሕ መከራ ኺጸግብ፡ ብዓበይትን ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን
ኪነዓቕን ኪቕተልን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ኺትንስእን ብግዲ እዩ፡ በሎም። 23 ንዅሎም ከኣ፥ ደድሕረይ
ኪስዕብ ዚደሊ፡ ነፍሱ ይቕበጽ፡ መስቀሉ ኣብ ጸጽባሕ የልዕል እሞ ይስዓበኒ። 24 ምድሓን ነፍሱ ዚደሊ
ኼጥፍኣ እዩ እሞ፡ እቲ ንነፍሱ ምእንታይ ዜጥፍኣ ግና፡ ንሱ ኬድሕና እዩ። 25 ሰብከ ንብዘላ ዓለም
ረቢሑስ፡ ንነፍሱ እንተ ጐድኣ ወይስ እንተ ኣጥፍኣ፡ እንታይ ይጠቕሞ፧ 26 ብኣይን ብቓለይን ዚሐፍር
ዘበለ፡ ወዲ ሰብ ብግርማኡን ብግርማ ኣቦኡን ብግርማ ቅዱሳን መላእኽቱን ኪመጽእ ከሎ፡ ብእኡ
ኺሐፍር እዩ። 27 ካብዞም ኣብዚኣ ደው ኢሉም ዘለዉ ሰባት፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ክሳዕ ዚርእይዋ፡ ሞት
ዘይጥዕሙ ኸም ዘለዉ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። 28 ድሕሪ እዚ ዘረባዚ ኣብ ሰሙኑ ኣቢሉ
ኸኣ ኾነ፡ ንጴጥሮስን ዮሃንስን ያእቆብን ተማሊኡ፡ ክጽሊ ናብ ከረን ደየበ። 29 ኪጽሊ ኸሎ፡ ትርኢት
ገጹ ተለወጠ፡ ክዳዉንቱውን ብርቕርቕ ዚብል ጻዕዳ ኾነ። 30 እንሆ ድማ፡ ክልተ ሰባት፡ ንሳቶም ከኣ
ሙሴን ኤልያስን፡ ምስኡ ይዛራረቡ ነበሩ። 31 ብግርማ ኸኣ ተገልጹ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ የሩሳሌም ኪፍጸም
ዘለዎ ምውጻኡ ድማ ይዛራረቡ ነበሩ። 32 ጴጥሮስን እቶም ምስኡ ዘለዉን ግና ድቃስ ከቢድዎም ነበረ።
ምስ ተባራበሩ፡ ግርማኡን ክልተ ሰብ ድማ ምስኡ ደው ዝበሉን ረኣዩ። 33 ኰነ ኸኣ፡ እቲኣቶም ካብኡ
ኺፍለዩ ኸለዉ፡ ጴጥሮስ ንየሱስ፥ መምህር፡ ንኣና ኣብዚ ኽንነብር ጽቡቕ እዩ። ሰለስተ ዳስ ክንሰርሕ፥
ሓደ ንኣኻ፡ ሓደ ንሙሴ፡ ሓደውን ንኤልያስ፡ በሎ። ዚብሎ ኣይፈልጥን ነበረ። 34 ንሱ እዚ ኪዛረብ ከሎ፡
ደበና መጺኡ ኣጐልበቦም። ናብ ደበና ኺኣትዉ ኸለዉ ኸኣ፡ ፈርሁ። 35 ካብቲ ደበና ድማ፥ እቲ
ዝሐሬኽዎ ወደይ እዚ እዩ፡ ንእኡ ስምዕዎ፡ ዚብል ድምጺ መጸ። 36 እቲ ድምጺ ኺመጽእ ከሎ፡ ንየሱስ
በይኑ ረከብዎ። ንሳቶምውን ስቕ በሉ፡ ሽዑ ቅነ ዝረኣይዎ ነገር ንሓደ እኳ ኣይነገሩን። 37 ንጽብሒቱ ድማ
ኾነ፡ ካብ ከረን ምስ ወረደ፡ ብዙሓት ህዝቢ ተቐበልዎ። 38 እንሆ ኸኣ፡ ካብቶም ህዝቢ ሓደ ሰብኣይ፥ ዎ
መምህር፡ ሓደ ንሱ እዩ ውሉደይ እሞ፡ ነዚ ወደይ ክትርእየለይ እልምነካ ኣለኹ፡ እናበለ ጨርሔ። 39
እንሆ፡ መንፈስ ይሕዞ፡ ብኡብኡ ይብህርር፡ ፈንጠራዕራዕውን የብሎ፡ እናዕፈሮ፡ እናቀጥቀጦ ብጻዕሪ
ይሐድጎ። 40 ንደቀ መዛሙርትኻ ኬውጽእዎ ለሚነዮምሲ፡ ምውጻኡ ስኢኖም፡ በለ። 41 የሱስ ከኣ፥ ኣታ

ዘይእሙን ቄናን ወለዶ፡ ክሳዕ መኣዝከ ምሳኻትኩም ክነብርን ክፅገሰኩምን እየ፧ ንወድኻ ናብዚ ኣምጽኦ፡
ኢሉ መለሰሉ። 42 ንሱ ኺመጽእ ከሎ፡ እቲ ጋኔን ኣንፈጥፈጦ ጠንቀላዕላዕውን ኣበሎ። የሱስ ግና ነቲ
ርኹስ መንፈስ ገንሖ፡ ነቲ ቈልዓ ኣሕወዮ ነቦኡውን ሃቦ። 43 ኵላቶም ድማ ብዕቤት ኣምላኽ ኣስተንከሩ።
ኵላቶም በቲ የሱስ ዝገበሮ ዅሉ ኬስተንክሩ ኸለዉ ኸኣ፡ ንደቀ መዛሙርቱ፡ 44 ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሰብ
ኪውሃብ እዩ እሞ፡ ንስኻትኩም ነዚ ነገርዚ ኣብ ኣእዛንኩም ኣእትውዎ፡ በሎም። 45 ንሳቶም ግና ነዛ ዘረባ
እዚኣ ኣየስተውዓልዋን፡ ከየስተብህልዋ ድማ ተሰዊራቶም ነበረት። በዛ ዘረባ እዚኣ ኺይሐትዎውን
ፈርሁ። 46 ካባታቶምሲ መኖም ከም ዚዓቢ ኸኣ ኣብ ማእከሎም ሓሳብ ኣተዎም። 47 የሱስ ድማ ሓሳብ
ልቦም ርእዩ፡ ሕጻን ወሰደ፡ ኣብ ጥቓኡ ደው ኣቢሉ፡ 48 ነዚ ሕጻንዚ ብስመይ ዚቕበል ንኣይ እዩ ዚቕበል።
እቲ ንኣይ ዚቕበል ከኣ ነቲ ዝለኣኸኒ ይቕበሎ። እቲ ኣብ ማእከል ኵልኹም ዚንእስ፡ ዓብዪ ዚኸውን ንሱ
እዩ፡ በሎ። 49 ዮሃንስ ከኣ፡ መምህር፡ ሓደ ሰብኣይ ብስምካ ኣጋንንቲ ኬውጽእ ከሎ ርኢናዮስ፡ ምሳና ስለ
ዘይሰዓበ፡ ከሊእናዮ፡ ኢሉ መለሰሉ። 50 የሱስ ከኣ፡ ዘይከራኸረኩም ዘበለ፡ ንሱ ምሳኻትኩም እዩ እሞ፡
ኣይትኽልእዎ፡ በሎ። 51 ኰነ ድማ፡ መዓልትታት ዕርገቱ ምስ ቀረባ፡ ናብ የሩሳሌም ንምኻድ ገጹ መለሰ።
52 ቀቅድሚኡ ልኡኻት ሰደደ፡ ከይዶም ኬዳልዉሉ ድማ ኣብ ሓንቲ ዓዲ ናይ ሰማርያ ኣተዉ። 53
ንሳቶም ግና፡ ናብ የሩሳሌም ንምኻድ ገጹ መሊሱ ስለ ዝነበረ፡ ኣይተቐበልዎን። 54 እቶም ደቀ መዛሙርቱ
ያእቆብን ዮሃንስን ከኣ ነዚ ምስ ረኣዩ፡ ጐይታይ፡ ከምቲ ኤልያስ ዝገበሮ፡ ሓዊ ኻብ ሰማይ ወሪዱ
ኬጥፍኦም ክንብልዶ ትደሊ ኢኻ፧ በሉ። 55-56 ምልስ ኢሉ፡ ወዲ ሰብ ነፍሳት ሰብ ኬድሕን እምበር፡
ኬጥፍእሲ ኣይመጸን እሞ፡ ናይ ኣየናይ መንፈስ ምዃንኩም ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ እናበለ ገንሖም።
ናብ ካልእ ዓዲ ኸኣ ኸዱ። 57 ኰነ ድማ፡ ኣብ መገዲ ኪኸዱ ኸለዉ፡ ሓደ፡ ጐይታይ፡ ናብ እትኸዶ ዘበለ
ዅሉ ኽስዕበካ እየ፡ በሎ። 58 የሱስ ከኣ፡ ንወኻሩ ጉድጓድ፡ ነዕዋፍ ሰማይውን መሕደሪ ኣለወን፡ ንወዲ
ሰብ ግና ርእሱ ዜጽግዓላ ስፍራ የብሉን፡ በሎ። 59 ንሓደ ኻልእ ድማ፡ ስዓበኒ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ጐይታይ፡
ቅድም ከይደ ነቦይ ክቕብሮ ፍቐደለይ፡ በሎ። 60 የሱስ ድማ፡ ምዉታት ንምዉታቶም ይቕበሩ ሕደጎም።
ንስኻ ግና ኪድ፡ ብስራት መንግስቲ ኣምላኽ ንገር፡ በሎ። 61 ሓደ ኻልእ ድማ፡ ጐይታይ፡ ክስዕበካ እየ፡
ግናኸ ቅድም ካብ ስድራ ቤተይ ክሳናበት ፍቐደለይ፡ በሎ። 62 የሱስ ግና፡ ዕርፊ ብኢዱ ሒዙ ንድሕሪት
ዚርኢ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይበቕዕን እዩ፡ በሎ።

## ምዕራፍ 10

1 ድሕርዚ ጐይታ ድማ ካልኦት ሰብዓ ሰርዔ፡ በብኽልተ ገይሩ ኸኣ፡ ናብቲ ንሱ ዚኸዶ ዘበለ ኸተማን
ስፍራን ቀቅድሚኡ ለኣኾም። 2 በሎም ከኣ፡ እኽሊ ብዙሕ እዩ፡ ዓየይቲ ግና ሒደት እዮም። ስለዚ ነቲ
ጐይታ እኽሊ ንእኽሉ ዓየይቲ ኺልእኽ፡ ለምንዎ። 3 መገድኹም ኪዱ። እንሆ፡ ኣነ ኸም ኣባጊዕ ናብ
ማእከል ተዃሉ እሰደኩም ኣሎኹ። 4 ማሕፉዳን ለቘታን ኣሳእንን ኣይትማልኡ፡ ኣብ መገዲ ንሓደ እኳ
ኸመዓልካ ኣይትበሉ። 5 ኣብ ዝኣቶኹምዋ ቤት፡ ቅድም፡ ነዛ ቤት ሰላም ይኹን፡ በሉ። 6 ኣብኣ ወዲ ሰላም
እንተሎ፡ ሰላምኩም ኣብኡ ኺሐድር እዩ፡ እንተ ዜልቦ ግና፡ ሰላምኩም ኪምለሰኩም እዩ። 7 ኣብታ ቤት
ከኣ ንበሩ፡ ንዓያዪ ዓስቡ ይግብኦ እዩ እሞ፡ ኣባታቶም ካብ ዘሎ ብልዑን ስተዩን። ካብ ቤት ናብ ቤት
ኣይትሕለፉ። 8 ኣብ ዝኣቶኩምዋ ኸተማውን እንተ ተቐበሉኹም፡ ዝቐረቡልኹም ብልዑ። 9 ኣብኣ ንዘለዉ
ሕሙማት ኣሕውዩ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ናባኻትኩም ቀሪባ ኣላ፡ ከኣ በልዎም። 10 ኣብታ ዝኣቶኹምዋ
ኸተማ እንተ ዘይተቐበሉኹም ግና፡ ናብ ኣደባባይ ወጺእኩም፡ 11 እቲ ኻብ ከተማኹም ዝለገበና ተጐጓ

እኳ ንነግረልኩም አሎና። እታ መንግስቲ ኣምላኽ ናባኻትኩም ከም ዝቐረበት ግና፡ እዚ ፍለጡ በሉ። [12]
በታ መዓልቲ እቲኣ ኻብ ነታ ኸተማ እቲኣስ ንሶዶም ከም ዚቐልል፡ እብለኩም አሎኹ። [13] ወይለኺ
ኰራዚን፡ ወይለኺ ቤተሳይዳ እዚ ኣባኻትክን እተገብረ ሓይሊ ኣብ ጢሮስን ሲዶናን ተገይሩ እንተ
ዚኸውንሲ፡ ማቕ ተኸዲነን ኣብ ሓሙኹስቲ ተቐሚጠን ቀደም ምተነስሓ ነይረን። [14] ብመዓልቲ ፍርዲ
ግና ካብ ንኣኻትክን ንጢሮስን ሲዶናን ኪቐልል እዩ። [15] ኣቲ ቕፍርናሆም፡ ንስኺ ኽሳዕ ሰማይዶ ልዕል
ክትብሊ ኢኺ፧ ክሳዕ ሲኦልከስ ክተንከራርዊ ኢኺ። [16] ንኣኻትኩም ዚሰምዕ ንኣይ ይሰምዕ፡ ንኣኻትኩም
ዚንዕቕ ድማ ንኣይ ይንዕቕ፡ እቲ ንኣይ ዚንዕቕ ከኣ ነቲ ዝለኣኸኒ እዩ ዚንዕቆ። [17] እቶም ሰብዓ ልኡኻት
ከኣ፥ ጐይታይ፡ ኣጋንንቲ ድማ ብስምካ ይግዝኡና ኣለዉ፡ እናበሉ ብሓጐስ ተመልሱ። [18] በሎም፥ ሰይጣን
ከም መብረቕ ካብ ሰማይ ኪወድቕ ከሎ ርኤኽዎ። [19] እንሆ፡ ተመንን ዕንቅርቢትን ኵሉ ሓይሊ ጸላእን
ክትረግጹ ስልጣን ሂበኩም አሎኹ፡ ዚጐድኣኩም ከኣ የልቦን። [20] ግናኸ ስምኩም ኣብ ሰማይ ስለ
እተጻሕፈ ደኣ፡ ኣዚኹም ተሐጐሱ እምበር፡ መናፍስቲ ስለ እተመልኩልኩም፡ በዚ ኣይትተሐጐሱ። [21]
በታ ጊዜ እቲኣ የሱስ ብመንፈስ ቅዱስ ተሐጐሰ፡ በለውን፥ ኣቦይ ጐይታ ሰማይን ምድርን፡ ነዚ ኻብ
ብልህታትን ካብ ለባማትን ስለ ዝሓባእካዮ፡ ንሕጻናት ከኣ ስለ ዝገለጽካዮ፡ እወ ኣቦይ፡ ስምረትካ ኣብ
ቅድሜኻ ኾምዚ ስለ ዝኾነ፡ ኤመስግነካ አሎኹ። [22] ኵሉ ኻብ ኣቦይ ተዋህበኒ። ንወዲ መን ምዃኑ፡
ብዘይ ኣቦ ሓደ እኳ ዚፈልጦ የልቦን። ነቦ ኸኣ መን ምዃኑ፡ ብዘይ ወድን ወዲ ከኣ ኪገልጸሉ ዝፈተወን
እምበር፡ ሓደ እኳ ዚፈልጦ የልቦን። [23-24] ናብ ደቀ መዛሙርቱ ግልጽ ኢሉ ኸኣ ንበይኖም፥ ነዚ
ንስኻትኩም እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ብዙሓት ነብያትን ነገስታትን ኪርእይዎ ደልዮምሲ ኣይረኣይዎን፡ ነዚ
ንስኻትኩም እትሰምዕዎ ዘሎኹም ከኣ ኣይሰምዕዎን እሞ፡ ነዚ ንስኻትኩም እትርእይዎ ዘሎኹም ዚርእያ
ኣዒንቲ ብጹኣን እየን፡ እብለኩም አሎኹ፡ በሎም። [25] እንሆ ኸኣ፡ ሓደ ፈላጥ ሕጊ፥ መምህር፡ ናይ
ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽወርስ እንታይ እግበር፧ ኢሉ ኺፍትኖ ተንስኤ። [26] ንሱ ከኣ፥ ኣብ ሕጊ
እንታይ ጹሑፍ አሎ፧ ከመይሲ ተንብብ፧ በሎ። [27] ንሱ ኸኣ፥ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን
ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓይልኻን ብኹሉ ሓሳብካን ኣፍቅሮ፡ ንብጻይካ ድማ ከም ነፍስኻ፡ ኢሉ
መለሰሉ። [28] ንሱ ኸኣ፥ ጽቡቕ መለስካ። ከምኡ ግበር እሞ ብህይወት ክትነብር ኢኻ፡ በሎ። [29] ንሱ ግና
ርእሱ ኺጸድቕ ደልዩ፡ ንየሱስ፥ ብጻየይከ መን እዩ፡ በሎ። [30] የሱስ መሊሱ በለ፥ ሓደ ሰብኣይ ካብ
የሩሳሌም ናብ ያሪኮ ኺወርድ ከሎ፡ ኣብ ኢድ ከተርቲ ወደቐ። ገፊፍዎን ከትከትዎን፡ ዳርጋ ምዉት
ገይሮም ከኣ ገዲፎምዎ ኸዱ። [31] ኰነ ኸኣ፡ ሓደ ካህን በታ መገዲ እቲኣ ኺወርድ ከሎ፡ ርእይዎ ሐለፈ።
[32] ከምኡ ድማ ሓደ ሌዋዊ ኣብታ ቦታ እቲኣ ምስ ብጽሔ፡ እናረኣየ ሐለፈ። [33] ሓደ ሳምራዊ ሓላፍ መገዲ
ግና ናብኡ መጸ፡ ምስ ረኣየ ኸኣ ደንገጸሉ። [34] ናብኡ ቐሪቡ ኣቐሳሉ ሰፈፈሉ፡ ዘይትን ወይንን ከኣ
ኣፍሰሰሉ፡ ኣብ ኣድጉ ኣወጢሑውን ናብ ማሕደር ኣጋይሽ ወሲዱ ኣለየ። [35] ንጽብሒቱ ድማ ክልተ
ዲናር ኣውጺኡ፡ ነቲ ሓላው ማሕደር ኣጋይሽ ሃበ እሞ፥ ተኸናኸኖ፡ ንእኡ ኢልካ ዘጥፋእካዮ ዘበለ ምስ
ተመለስኩ ኽፈድየካ እየ፡ በሎ። [36] ነቲ ኣብ ኢድ ከተርቲ ዝወደቐስ ካብዞም ሰለስተ፡ ብጻይ ዝኾኖ
ኣየናዮም እዩ ይመስለካ፧ [37] ንሱ ድማ፥ እቲ ምሕረት ዝገበረሉ፡ በለ። የሱስ ከኣ፡ ኪድከ፡ ንስኻውን
ከምኡ ግበር፡ በሎ። [38] ኪኸዱ ኸለዉ ድማ ኾነ፡ ንሱ ናብ ሓንቲ ዓዲ ኣተወ። ማርታ ዝስማ ሓንቲ
ሰበይቲ ኸኣ ኣብ ቤታ ተቐበለቶ። [39] ማርያም እትብሃል ሓብቲ ድማ ነበረታ። ንሳ ኸኣ ዘረባኡ ኽትሰምዕ
ኣብ ጥቃ እግሪ የሱስ ተቐሚጣ ነበረት። [40] ማርታ ግና ብብዙሕ ምግልጋል ትጽዕር፡ ነበረት፡ ደው ኢላ
ከኣ፥ ጐይታይ፡ ሓብተይ ሓዲጋትኒ በይነይ ከገልግልዶ ግዲ የብልካን ኢኻ፧ እምብኣርከ ኽትድግፈኒ
ንገራ፡ በለቶ። [41] የሱስ ድማ፥ ማርታ፡ ማርታ፡ ብብዙሕ ነገር ትጭነቕን ትጕህይን አሎኺ። [42] እቲ ዜድሊ

ግና ሓደ ጥራይ እዩ። ማርያምሲ ኻብኣ ዘይውሰድ ጽቡቕ ግደ ሐርያ ኣላ፡ ኢሉ መለሰላ።

## ምዕራፍ 11

1 ኰነ ድማ፡ ኣብ ሓንቲ ስፍራ ኺጽሊ ጸኒሑ፡ ምስ ወድኤ፡ ሓደ ኻብ ደቀ መዛሙርቱ፥ ጐይታይ፡
ከምቲ ዮሃንስ ንደቀ መዛሙርቱ ዝመሃሮም፡ ምጽላይ ምሃረና፡ በሎ። 2 ንሱ ኸኣ በሎም፥ ክትጽልዩ
ኸሎኹም፥ ኣብ ሰማያት እትነብር ኣቦና፡ ስምካ ይቀደስ። መንግስትኻ ትምጻእ። ፍቓድካ ከምቲ ኣብ
ሰማይ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን። 3 ናይ ዕለት እንጌራና ኣብ ጸጽባሕ ሃበና። 4 ንሕና ንዝበደሉና
ዅሎም ይቕረ ንብል ኢና እሞ ሓጢያትና ይቕረ በለልና። ካብ ክፉእ ኣድሕነና እምበር፡ ኣብ ፈተና
ኣይተእትወና፡ በሉ። 5-6 በሎም ድማ፥ መን እዩ ካባኻትኩም ዓርኪ ዘለዎ፡ ፈረቓ ለይቲ ናብኡ ኺይዱ፥
ዓርከይ፡ ፈታዊ ካብ መገዲ መጺኡንስ፡ ዝቐርበሉ ስኢነ ኣሞ፡ ሰለስተ እንጌራ ኣለቅሓኒ፡ እንተ በሎ፡ 7
እቲ ኸኣ ካብ ውሽጢ መሊሱ፥ ኣይተድክመኒ፡ ሕጂ ማዕጾ ተሸጉሩ፡ ደቀይ ከኣ ምሳይ ኣብ ዓራት እዮም
ዘለዉ፡ ተንሲኤ ኽህበካ ኣይኾነለይን፡ ይብሎ። 8 ዓርኩ ስለ ዝኾነ ኺህቦ እኳ እንተ ዘይተንስኤ፡
ምእንቲ ድቃስ ከይኸልኦ ኢሉ ይትንስእ እሞ ዝደለዮ ይህቦ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 9-10 ኣነ ኸኣ፡ ዚልምን
ዘበለ ይቕበል፡ ዚደሊ ይረክብ፡ ማዕጾ ዃህ ዃሕ ንዘበለውን ይኽፈተሉ እዩ እሞ፡ ለምኑ ኺውሃበኩም፡
ድለዩ ኽትረኽቡ ኢኹም፡ ማዕጾውን ዃሕዃሕ ኣብሉ፡ ኪኽፈተልኩም እዩ እብለኩም ኣሎኹ 11
ካባኻትኩምከ እንታዋይ ኣቦ እዩ፡ ወዱ እንጌራ እንተ ለመኖ፡ እምኒ ዝህቦ፡ ወይስ ዓሳ እንተ ለመኖ፡ ኣብ
ክንዲ ዓሳስ ተመን ዚህቦ፡ 12 ወይስ እንቋቝሖ እንተ ለመኖ፡ ዕንቅርቢትዶ ይህቦ፧ 13 እምብኣርሲ
ንስኻትኩም እኳ ኽፉኣት ክነስኹም፡ ንደቕኹም ጽቡቕ ህያብ ምሃብ ካብ ፈለጥኩም፡ እቲ ኣብ ሰማይ
ዘሎ ኣቦ ግዳ ንዚልምንዎ ኸንደይ ኣብዚሑ መንፈስ ቅዱስ ዘይህቦም፧ 14 ንሱ ዓባስ ጋኔን የውጽእ ነበረ።
ኰነ ድማ፡ እቲ ጋኔን ምስ ወጸ፡ እቲ ዓባስ ተዛረበ፡ እቶም ህዝቢ ኸኣ ተገረሙ። 15 ገሊኣም ግና፥ ነጋንንቲ
ብብኤል ዜቡል፡ በቲ ሓለቓ ኣጋንንቲ፡ እዩ ዜውጽኦም ዘሎ፡ በሉ። 16 ክልኦት ከኣ ኺፍትንዎ፡ ካብኡ
ትእምርቲ ኻብ ሰማይ ይደልዩ ነበሩ። 17 ንሱ ድማ ሓሳቦም ፈሊጡ በሎም፥ ንሓድሕዳ እተፋላለየት
ዘበለት መንግስቲ ትጠፍእ፡ ቤት ድማ ንርእሳ እተፋላለይት፡ ትወድቕ እያ። 18 ኣነ ነጋንንቲ ብብኤልዜቡል
ከም ዘውጽኦም ካብ እትብሉስ፡ ሰይጣን ንርእሱ እንተ ተፈላለየ ደኣ፡ እታ መንግስቱ ኸመይ ኢላ
ትቐውም፧ 19 ኣነ ነጋንንቲ ብብኤል ዜቡል ዘውጽኦም ካብ ኰንኩስ፡ ደቕኹም ደኣ ብመን የውጽእዎም
ኣለዉ፧ ስለዚ ንሳቶም ፈራዶኹም ኪኾኑ እዮም። 20 ኣነ ነጋንንቲ በጻብዕ ኣምላኽ ዘውጽኦም ካብ ኰንኩ
ግና፡ መንግስቲ ኣምላኽ ኣባኻትኩም በጺሔት። 21 እቲ ሓያል ሰብ፡ ኣጽዋሩ ሒዙ ገዛኡ እንተ ሐለወ፡
ብዘሎ ጥሪቱ ደሓን ይኸውን። 22 ካብኡ ዚሕይል መጺኡ እንተ ሰዓሮ ግና፡ ነቲ ዚእመኖ ዝነበረ ኣጽዋሩ
ይገፎ፡ ነቲ ዝበዝበዘውን ይማቐሎ። 23 ምሳይ ዘይኰነ፡ ንሱ መቓናቕንተይ እዩ። ምሳይ ዘይእክብ ድማ
ይዘሩ። 24 ርኹስ መንፈስ ካብ ሰብ ምስ ወጸ፡ ዕረፍቲ ደልዩ፡ ናብ ኣጻምእ ቦታ ይኸይድ እሞ እንተ
ዘይረኸበ፥ ናብታ ዝወጻእኩላ ቤተይ ደኣ ኽምለስ፡ ይብል። 25 ምስ መጸ ድማ፡ ተኾስቲራን ተሰሊማን
ትጸንሖ። 26 ሽዑ ንሱ ይኸይድ፡ ካብኡ ዚገዱ ካልኦት ሾብዓተ መናፍስቲ ኸኣ ምስኡ ይማላእ፡ ኣትዮም
ኣብኣ ይሰፍሩ። ነቲ ሰብ እቲ ኻብ ቀዳማዩስ ዳሕራዩ ይገዶ። 27 ኰነ ድማ፡ እዚ ኺዛረብ ከሎ፡ ካብቲ
እኩብ ህዝቢ ሓንቲ ሰበይቲ ቓላ ዓው ኣቢላ፥ ዝጾረትካ ኸርስን ዝጠባካየን ኣጥባትን ብጹኣት እየን፡
በለቶ። 28 ንሱ ግና፥ ብጹኣንሲ እቶም ንቓል ኣምላኽ ዚሰምዕዎን ዚሕልውዎን ደኣ እዮም፡ በላ። 29
እቶም ህዝቢ ምስ ተኣከቡ ድማ፡ ኪብል ጀመረ፥ እዚ ወለዶ እዚ ሕሱም እዩ፡ ትእምርቲ ይደሊ፡ ብዘይ

ትእምርቲ ነብዪ ዮናስ ድማ ትእምርቲ ኣይውሃቦን። [30] ከምቲ ዮናስ ንሰብ ነነዌ ትእምርቲ ዝኾኖም፡
ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ነዚ ወለዶ እዚ ኪኾኖ እዩ። [31] ንግስቲ ኣዜብ ጥበብ ሰሎሞን ክትሰምዕ ካብ ወሰን
ምድሪ መጺኣ እያ እሞ፡ ብፍርዲ ምስ ሰብ እዚ ወለዶ እዚ ተንሲኣ ኽትኹንኖ እያ። እንሆ፡ ካብ ሰሎሞን
ዚዓቢ ኣብዚ እሎ። [32] ሰብ ነነዌ ብስብከት ዮናስ ተነሲሖም እዮም እሞ፡ ብፍርዲ ምስ እዚ ወለዶ እዚ
ተንሲኦም ኪኹንንዎም እዮም። እንሆ፡ ካብ ዮናስ ዚዓቢ ኣብዚ አሎ። [33] ንመብራህቲ ኣብሪሁ፡ እቶም
ዚኣትዉ ብርሃን ምእንቲ ኺርእዩ፡ ኣብ ቀዋሚ ቐዴል እምበር፡ ኣብ ከውሊ ወይ ኣብ ትሕቲ ኽፈር
ዜንብሮ የልቦን። [34] ናይ ስጋ መብራህቲ ዓይኒ እያ። ዓይንኻ ጥዕይቲ እንተ ኾነት ኵሉ ስጋኻ ብሩህ
ይኸውን። ሕምምቲ እንተ ኰነት ግና፡ ስጋኻ ድማ ጸልማት ይኸውን። [35] እምብኣርከ እቲ ኣባኻ ዘሎ
ብርሃንሲ ጸልማት ከይኸውን ተጠንቀቕ። [36] ኵሉ ስጋኻ ገለ ቕሩብ ጸልማት ዜብሉ ብሩህ እንተ ኾነ፡
ከምቲ መብራህቲ ብድሙቕ ብርሃኑ ዜብርሃልካ፡ ኵሉ ስጋኻ ብሩህ ኪኸውን እዩ። [37] ኪዛረብ ከሎ፡ ሓደ
ፈሪሳዊ ምስኡ ኺምሳሕ ጸውዖ። ኣትዩ ኸኣ ኣብ መኣዲ ተቐመጠ። [38] እቲ ፈሪሳዊ ቅድሚ ምሳሕ ኢዱ
ዘይምሕጻቡ ምስ ረኣየ፡ ተገረመ። [39] ጐይታ ኸኣ በሎ፥ ሕጂ ንስኻትኩም ፈሪሳውያን፡ ዝባን ዋንጫ
መሬትን ጻሕልን ተጽርዩ፡ ከብድኹም ግና ከትርን ክፍኣትን ምሉእ እዩ። [40] ኣቱም ዓያሱ፡ እቲ ናይ ዝባን
ዝገበረ ነቲ ናይ ውሽጡስ ኣይገበረንዶ፧ [41] ግናኸ እቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ንምጽዋት ሃቡ፡ እንሆ፡ ሽው ኹሉ
ጽሩይ ይኾነልኩም። [42] ኣቱም ፈሪሳውያን፡ ካብ ሽላንን ጨና ኣዳምን ኵሉ ኣሕምልትን ዕሽር
እተውጽኡ፡ ፍትሕን ፍቕሪ ኣምላኽን ግና ሸለል እትብሉ ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። እቲ
ኽይሐደግኩምሲ እዚውን ክትገብሩ ይግብኣኩም ነይሩ። [43] ኣቱም ፈሪሳውያን፡ ኣብ ቤት ጸሎት ኣውራ
መቐመጢ፡ ኣብ ዕዳጋውን ምስላም ትፈትዉ ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። [44] ኣቱም ጸሓፍትን
ፈሪሳውያንን፡ ከም ዘይርኤን፡ ሰብ ከይፈለጦ ብልዕሊኡ ዚረግጾን መቓብር ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም።
[45] ካብቶም ፈለጥቲ ሕጊ ሓደ መሊሱ፥ መምህር፡ እዚ ብምባልካስ ንኣናውን ትጸርፈና አሎኻ፡ በሎ። [46]
ነሱ ኸኣ በለ፥ ንስኻትኩም ፈለጥቲ ሕጊ ድማ፡ ንሰብ ከቢድ ጾር ተሰክምዎ፡ ባዕላትኩም ግና ነቲ ጾር
ብሓንቲ ኣጻብዕኩም እኳ ኣይትትንክይዎን ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም። [47] ንስኻትኩምውን መቓብር
ነብያት ትሰርሑ አሎኹም፡ ኣቦታትኩምውን ቀቲሎምዎም እዮም እሞ፡ ወይለኹም። [48] ንሳቶም
ቀቲሎምዎም እዮም፡ ንስካትኩም ድማ መቓብሮም ትሰርሑ አሎኹም እሞ፡ ከምኡ ነዚ ንስካትኩም
ምስክር ኢኹም፡ ነቲ ግብሪ ኣቦታትኩምውን ትሰምርዎ አሎኹም። [49] ስለዚ ድማ ጥበብ ኣምላኽ በለት፥
ነብያትን ሃዋርያትን ናባታቶም እልእኽ አሎኹ፡ ንሓያል ካባታቶም ከኣ ይቐትሉን ይሰጉዎምን ኣለዉ።
[50-51] ካብ ደም ኣቤል ጀሚሩ ኽሳዕ ደም እቲ ኣብ መንጎ መሰውእን ቤተ መቕደስን ዝቐተልዎ ዘካርያስ፡
እቲ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ ዝፈሰሰ ደም ኵሎም ነብያት ካብዚ ወለዶ እዚ ኪደለ እዩ። እወ፡ ካብዚ
ወለዶ እዚ ኪድለ እዩ፡ እብለኹም አሎኹ። [52] ኣቱም ፈለጥቲ ሕጊ፡ መርሖ ፍልጠት ወሲድኩምሲ፡
ንስኻትኩም ኣይኣቶኹምን፡ ነቶም ኪኣትዉ ዝደለዩ ድማ ከልኪልኩምዎም ኢኹም እሞ፡ ወይለኹም።
[53] እዚ ምስ ተዛረበ፡ እቶም ጻሓፍትን ፈሪሳውያንን ብጽኑዕ ኪቐየምዎ ጀመሩ። [54] ምእንቲ ኪኸስዎ ኸኣ፡
ካብ ኣፉ ገለ ዘረባ ቖጠፋ ደልዮም እናተጻናተዉ ብብዙሕ ዘረባ ይሐትዎ ነበሩ።

## ምዕራፍ 12

[1] ኣእላፋት ህዝቢ፡ ንሓድሕዶም ክሳዕ ዚራገጹ፡ ምስ ተኣከቡ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ኺብሎም ጀመረ፥
ቅድሚ ኹሉ ኻብ ማይ ብሑቕ ፈሪሳውያን፡ ንሱ ድማ ግብዝና፡ ርእስኹም ሐልዉ። [2] ግናኸ ስዉር

ዘይቅላዕ፡ ሕቡእውን ዘይፍለጥ የልቦን። [3] ስለዚ ኣብ ጸልማት እተዛረብኩምዎ ዘበለ ኣብ ብርሃን
ኪስማዕ፡ ኣብ ውሻጠ ብሕሽዅሽዅ ኣብ እዝኒ እተዛረብኩምዎም ድማ ኣብ ናሕስታት ኪስበክ ኣዩ። [4]
ንኣኻትኩም ነዕሩኽይ እብለኩም ኣሎኹ፥ ስጋ ንዚቕትሉ፡ ድሕርቲ ኻብኡ ንንየው ዚገብርዎ ብዜብሎም
ኣይትፍርህዎም። [5] ንመን ከም እትፈርሁ ግና ከርእየኩም፥ ነቲ ምስ ቀተለስ፡ ኣብ ገሃነም ኪድርቢ
ስልጣን ዘለዎ፡ ንእኡ ፍርሁ። እወ፡ ንእኡ ፍርህዎ፡ እብለኩም ኣሎኹ። [6] ሓሙሽተ ዑፍዶ ንኽልተ
ኣሳርዮን ይሽየጣ ኣይኰናን፧ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ካባታተን ሓንቲ እኳ ኣይትርሳዕን እያ። [7]
ንስኻትኩምሲ ዅለን ጸጉሪ ርእስኹም እኳ ቝጽራት እየን። እምብኣርከ ኻብ ብዙሓት ኣዕዋፍ ትበልጹ
ኢኹም እሞ ኣይትፍርሁ። [8] ኣብ ቅድሚ ሰብ ንዚእመነኒ ዅሉ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ
ኣምላኽ ኪእመኖ እዩ። [9] እቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዚክሕደኒ ግና ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ ኣምላኽ ኪከሓድ
እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። [10] ኣብ ወዲ ሰብ ዘረባ ዝበለ ዅሉ ይሕደገሉ፡ ነቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዘጻርፍ
ግና፡ ኣብዚኣ ዅኑ ወይስ ኣብታ እትመጽእ ዓለም፡ ኣይሕደገሉን እዩ። [11-12] ናብ ኣባይቲ ጸሎት ናብ
መኳንንትን ገዛእትን እንተ ወሰዱኹም፡ በታ ሰዓት እቲኣ እንታይ ምዝራብ ከም ዚግባእ፡ መንፈስ ቅዱስ
ኪምህረኩም እዩ እሞ፡ ከመይ ወይስ እንታይ ከም እትመልሱ ወይ እንታይ ከም እትብሉ ኣይትጨነቑ።
[13] ሓደ ኻብቶም ህዝቢ ድማ፥ መምህር፡ ንሓወይ ርስተይ ኪመቕለኒ በለለይ፡ በሎ። [14] ንሱ ኸኣ፥ ኣታ
ሰብኣይ፡ ኣባኻትኩምከ ዳኛን መማቐልን ገይሩ መን ሸይመኒ፧ በሎ። [15] ንሱ ኸኣ፥ ህይወት ሰብ ብብዝሒ
ገንዘብ ኣይኰነትን እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ካብ ኵሉ ስስዔ ኸኣ ርእስኹም ሓልዉ፡ በሎም። [16] ከምዚ ኢሉ ኸኣ
ምስላ ነገሮም፥ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ግርሁኡ ቐደወሉ። [17] ብልቡ ኸኣ፥ እኽለይ ዝእክበላ ስፍራ
የብለይን፡ እንታይ ደኣ እገብር እየ ኢሉ ሐሰበ። [18] ንሱ ድማ፥ ከምዚ እገብር፥ ንማዕከነይ ኣፍሪሰ፡
ኣግፊሔ እሰርሖ፡ ኣብኡ ኸኣ ኵሉ እኽለይን ሃብተይን እእክብ። [19] ንነፍሰይውን፥ ኣቲ ነፍሰይ፡ ብዙሕ
እተደለበ ሃብቲ ንብዙሕ ዓመታት ዚኣኽለኪ ኣሎኪ እሞ ዕረፊ፡ ብልዒ፡ ስተዪ፡ ተሐጐሲ፡ እብላ፡ በለ።
[20] ኣምላኽ ግና፥ ኣታ ዓሻ፡ ንነፍስኻ ካባኻ ኺወስድዋ በዛ ለይቲ እዚኣ ይደልይዋ ኣለዉ። እዚ
ዝደለብካዮ ደኣ ንመን ኪኸውን እዩ፧ በሎ። [21] እቲ ንርእሱ መዝገብ ዚእክብ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ
ሃብታም ዘይኰነ ከምኡ እዩ። [22-23] ንደቀ መዛሙርቱ ድማ በሎም፥ ካብ ምግቢ ህይወት ትዐቢ፡ ካብ
ክዳንውን ስጋ ይዐቢ እዩ እሞ፡ ስለዚ ንህይወትኩም ብትበልዕዎ ወይስ ንስጋኹም ብትኸደንዎ
ኣይትጨነቑ፡ ኣብለኩም ኣሎኹ። [24] ናብ ዃኺትማ ኣስተብህሉ፥ ኣምላኽ ይቕልቦም እምበር፡ ኣይዘርኡ
ኣይዓጽዱ፡ ማዕከን ወይ ቆፎ የብሎምን። ካብ ኣዕዋፍሲ ንስኻትኩም ግዳ ኽንደይ ኣዚኹም
ዘይትበልጹ። [25] ካባኻትኩምከ ተጨኒቑ ኣብታ ቝመቱ ሓንቲ እመት ምውሳኽ ዚክእል መን ኣሎ፧ [26]
እዚ ቐሊል ነገር ምግባር ካብ ዘይትኽእሉስ፡ ንምይታይ ደኣ ብካልእ እትጭነቑ፧ [27] ዕምባባታት ከመይ
ኢሎም ከም ዚዓብዩ ኣስተብህሉ፥ ኣይጽዕሩን ኣይፈትሉን እዮም። ሰሎሞን እኳ በቲ ዅሉ ኽብረቱ ኸም
ሓደ ካባታቶም ኣይተኸድነን፡ እብለኩም ኣሎኹ። [28] ኣምላኽ ነዚ ሎሚ ዘሎ፡ ጽባሕ ግና ናብ እቶን
ዚድርበ ሳዕሪ በረኻ ከምዚ ገይሩ ዚኸድኖ ኻብ ኰነስ፡ ኣቱም ጒድላት እምነት፡ ንኣኻትኩም ግዳ ከመይ
ኣብዚሑ ዘይከድነኩም፧ [29] ንስካትኩም ከኣ እትበልዕዎን እትሰትይዎን ኣይትድለዩን ኣይትጨነቑን። [30]
ነዚ ዅሉስ ኣህዛብ ዓለም ይደልይዎ እዮም እሞ፡ እዚ ኸም ዜድልየኩምሲ፡ ኣቦኹም ይፈልጥ እዩ። [31]
መንግስቲ ኣምላኽ ደኣ ድለዩ፡ እዚ ዅሉ ድማ ኪውሰኸልኩም እዩ። [32] ኣታ ሒደት መጓሰ፡ እታ
መንግስቲ ኺህበኩም ፍቓድ ኣቦኹም እዩ እሞ፡ ኣይትፍራህ። [33-34] ኣብቲ መዝገብኩም ዘለዎ ኣብኡ
ድማ ልብኹም ይኸውን እዩ እሞ፡ ጥሪትኩም ሽጡ ምጽዋትውን ሃቡ፡ ሰራቒ ኣብ ዘይቀርቦ፡ ነቓዝ ኣብ
ዘየጥፍኦ ዘይበሊ ማሕፉዳን ዘይጐድል መዝገብን ኣብ ሰማይ ዕቘሩ። [35] ሓቛቝኹም ዕጡቕ፡

መባርህትኹም ብሩህ ይኹን። 36 ንስኻትኩም፡ ጐይታኦም ካብ መርዓ ኽሳዕ ዚምለስ ዚጽበዩ እሞ፡
መጺኡ ኺሕኳሕ ምስ ኣበለ፡ ብኡብኡ ዚኸፍቱሉ ሰባት ምሰሉ። 37 እቶም፡ ጐይታኦም ኪመጽእ ከሎ፡
ነቒሖም ዚረኽቦም ባሮት እቲኦም ብጹኣን እዮም። ተዐጢቑ ኣብ መኣዲ ኽም ዜቕምጦም፡ ቀሪቡውን
ከም ዜገልግሎም፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። 38 ኣብ ካልኣይቲ ወይስ ሳልሰይቲ ሕልዋ ለይቲ መጺኡ
ኽምዚ እንተ ረኸቦም፡ እቶም ባሮት እቲኦም ብጹኣን እዮም። 39 ግናኸ እዚ ፍለጡ፡ ብዓል ቤት፡ ነታ
ሰራቒ ዚመጸላ ጊዜ እንተ ዚፈልጣ፡ ምነቕሐ፡ ቤቱ ኽትኰዓት ከላውን ስቕ ኣይምበለን ነይሩ። 40
ንስኻትኩም ድማ፡ ወዲ ሰብ ብዘይሐሰብኩምዎ ጊዜ ኺመጽእ እዩ እሞ፡ እተዳሎኹም ኩኑ። 41
ጴጥሮስ ከኣ፥ ጐይታይ፡ እዚ ምስላዝስ ንኣና ዲኻ እትምስሎ ዘሎኻ ወይስ ንኹሉ ኢኻ፧ በሎ። 42
ጐይታ ኸኣ በለ፥ እቲ እሙንን ኣስተውዓልን መጋቢ፡ ቀለቦም በብጊዜኡ ኪህቦም፡ ጐይታኡ ኣብ ስድራ
ቤቱ ዚሸሞስ መን እዩ፡ 43 እቲ ጐይታኡ ኺመጽእ ከሎ፡ ከምዚ እናገበረ ዚጸንሖ ባርያ ብጹእ እዩ። 44
ኣብ ብዘሎ ጥሪቱ ኽም ዚሸሞ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። 45 እቲ ባርያ ብልቡ፡ ምእታው ጐይታይ
ይድንጉ እዩ፡ እንተ በለ ግና፡ ምግራፍ እቶም ገላውን ኣግራድን ምብላዕን ምስታይን ምስካርን ይጅምር፡
46 ጐይታ እቲ ባርያ እቲ፡ ንሱ ብዘይተጸበያ መዓልቲ፡ ብዘይፈለጣ ሰዓት ኪመጽእ፡ ቈራሪጹ ኸኣ ግዲኡ
ምስቶም ዘይኣምኑ ኺገብሮ እዩ። 47 እቲ ፍቓድ ጐይታኡ ፈሊጡ ዘይተዳለወ፡ ከምታ ፍቓዱውን
ዘይገበረ ባርያ ብዙሕ መግረፍቲ ዚግብኦ እዩ። 48 እቲ ኸይፈለጠ ንመግረፍቲ ዚግብኦ ዝገበረ ግና ሒደት
እዩ ዚግረፍ። ብዙሕ ንዝሃብዎ ብዙሕ ይደልይዎ፡ ብዙሕ ንዘማዕቈብዎ ኸኣ ኣብዚሖም ይደልይዎ
እዮም። 49 ናብ ምድሪ ሓዊ ኽድርቢ እየ ዝመጻእኩ፡ ሕጂስ ብጀካ ምንዳዱ እንታይ እደሊ ኣሊኹ፧ 50
ዝጥመቓ ጥምቀት ግና ኣላትኒ፡ ክሳዕ እትፍጸምሲ ኽመይከ ዘይትጸበኒ። 51 ናብ ምድሪዶ ሰላም ከምጽእ
ዝመጻእኩ ይመስለኩም አሎ፧ ምፍልላይ ደኣ እምበር፡ ኣይኰነን፡ እብለኩም አሎኹ። 52 ካብ ሕጂ
ሓሙሽተ ኣብ ሓንቲ ቤት እንተ ኾኑ፡ ሰለስተ ኻብ ክልተ፡ ክልተ ድማ ካብ ሰለስተ ኪፋላለዩ እዮም።
53 ኣቦ ኻብ ወዱ፡ ወዲውን ካብ ኣቦኡ፡ ኣደ ኻብ ጓላ፡ ጓላውን ካብ ኣዲኣ፡ ሓማት ካብ መርዓት ወዳ፡
መርዓት ወዲውን ካብ ሓማታ ኺፋላለዩ እዮም። 54 ነቶም ህዝቢ ድማ በሎም፡ ደበና ኻብ ምዕራብ
ኪዳባኖ ኽሎ ምስ ርኤኹም፡ ሽው፥ ዝናብ ኪዘንም እዩ፡ ትብሉ ኢኹም፡ ከምኡ ኸኣ ይኸውን። 55 ንፋስ
ደቡብ ኪነፍስ ምስ ርኤኹምውን፥ ሃሩር ኪኸውን እዩ፡ ትብሉ፡ ከምኡ ድማ ይኸውን። 56 ኣቱም
ግቡዛት፡ ምምርማር ገጽ ሰማይን ምድርን ትፈልጡ፡ ከመይ ደኣ ነዚ ዘመን እዝስ ዘይትምርምርዎ፧ 57
ስለምንታይከ ባዕላትኩም ሓቂ ዘይትፈርዱ፧ 58 ምስ መባእስትኻ ናብ ሹም እንተ ኸድኻ፡ ኣብ ፈራዲ
ኸየብጽሓካ፡ እቲ ፈራዲ ኸኣ ንግልያኡ ኣሕሊፉ ኸይህበካ፡ እቲ ግልያኡውን ኣብ ቤት ማእሰርቲ
ኸይድርብየካስ፡ ኣብ መገዲ ኸሎኻ ምስኡ ንምትዕራቕ ተጋደል። 59 እንተ ዘይኰነስ፡ እታ መወዳእታ
ለብጦን ክሳዕ እትፈዲ፡ ካብኡ ኣይክትወጽእን ኢኻ፡ እብለካ አሎኹ።

## ምዕራፍ 13

1 በቲ ወርሓት እቲ፡ ሓያሎ ሰባት መጺኦም ብዛዕባ እቶም ጲላጦስ ደሞም ምስ መስዋእቶም ዝጸንበሮም
ገሊላውያን ነገርዎ። 2 የሱስ መሊሱ በሎም፥ ነዞም ገሊላውያን እዚኣቶም እዚ ስለ ዝረኸቦምሲ፡ ካብ
ኵሎም ገሊላውያን ሓጥኣን ዝነበሩዶ ይመስለኩም አሎ፧ 3 ኣይፋሎም፡ እንተ ዘይተነሳሕኩምሲ፡
ኵላትኩም ድማ ከምኡ ኽትጠፍኡ ኢኹም፡ እብለኩም አሎኹ። 4 ወይስ እቶም ኣብ ሰሊሆም ግምቢ
ዝወደቐም እሞ ዝቐተሎም ዓሰርተ ሾሞንተኸ ኻብቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ዅሎም ሰብ ዚበዝሕ

ሓጥኣት ዝነበሮምዶ ይመስለኩም፧ 5 ኣይፋሉም፡ እንተ ዘይተነሳሕኩምሲ፡ ኵላትኩም ከምኡ ኽትጠፍኡ
ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ። 6 እዚ ምስላዚ ከኣ በለ፥ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ኣታኽልቲ ወይኑ እተተኽለት
በለስ ነበረቶ። ፍረ ደልዩ ናብኣ መጸ፡ ግናኸ ኣይረኸበላን። 7 ነቲ ሓላው ኣታኽልቲ ወይኒ ኸኣ፥ እንሆ፡
ካብዛ በለስ እዚኣ ፍረ እናደሌኹ ሰለስተ ዓመት መጺኤ፡ ኣይረኸብኩላን። ቍረጻ፡ ስለምንታይከ
ንምድሪ ተባላሹ ኣላ፧ በሎ። 8 ንሱ ግና፥ ጐይታይ፡ ወሰነ ወሰና ኽሳዕ ዝኾስኵሳ፡ ድኹዒ ኽሳዕ ዝድኵዓ፡
እዛ ዓመት እዚኣ ድማ ሕደጋ። 9 ንዓመታ እንተ ፈረየት፡ ጽቡቕ፡ እንተ ዘይኰነስ፡ ሽዑ ትቘርጻ፡ ኢሉ
መለሰሉ። 10 ብሰንበት ኣብ ሓንቲ ቤት ጸሎት ኰይኑ ይምህር ነበረ። 11 እንሆ፡ ኣብኣ ዃብ ዓሰርተው
ሸሞንተ ዓመት ሒዙ መንፈስ ድኻም ዝሐደራ ሰበይቲ ነበረት። ንሳ ኸኣ ጐቢጣ ነበረት፡ ክትቀንዕውን
ከቶ ኣይተኻእላን። 12 የሱስ ምስ ረኣያ፡ ጸዊዑ፥ ኣተ ሰበይቲ፡ ካብ ሕማምኪ ተፈቲሕኪ ኣሎኺ፡ በላ። 13
ኢዱ ኣንበረላ፡ ብኡብኡ ቐንዔት፡ ንኣምላኽውን ኣመስገነቶ። 14 እቲ መራሕ ቤት ጸሎት ከኣ፡ የሱስ
ብሰንበት ስለ ዘሕወየ ኹርዩ፡ ነቶም ህዝቢ፡ ኪዕየየን ዚግባእ ሹዱሽተ መዓልቲ ኣለዋኹም። እምበኣርከ
ብኣታተን መጺእኩም ተፈወሱ እምበር፡ ብመዓልቲ ሰንበትሲ ኣይኰነን፡ ኢሉ መለሰሎም። 15 ጐይታ
ግና፥ ኣታ ግቡዝ፡ ካባካትኩምከ ኵሉ ሰብዶ ንብዕራዩ ወይስ ኣድጉ ብሰንበት ካብ ማእሰሩ ኣይፈትሖን
እዩ፧ ኬስትዮስ የውርዶ ደይኰነን፧ 16 እንሆ፡ እዛ ዃብ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመት ሒዙ ሰይጣን ዝኣሰራ
ጓል ኣብርሃምከ ካብዚ ማእሰርቲ እዚ ብመዓልቲ ሰንበት ክትፍታሕዶ ኣይግባእን እዩ፧ ኢሉ መለሰሉ። 17
እዚ ምስ በለ፡ እቶም እተበኣስዎ ኵሎም ሐፈሩ። በቲ ብእኡ እተገብረ ኵሉ መስተንክር ዝኾነ
ግብርታት ከኣ ብዘሎ እቲ ህዝቢ ተሐጐሰ። 18 ድሕርዚ በለ፥ መንግስቲ ኣምላኽ እንታይ ትመስል፧
ብምንታይሲ ኽምስላ እየ፧ 19 ሰብ ወሲዱ ኣብ ስፍራ ኣታኽልቱ ዝዘርኣ ፍረ ኣድሪ እያ እትመስል።
በቚለት ዓባይ ኦምውን ኰነት፡ ኣዕዋፍ ሰማይ ከኣ ኣብ ጨናፍራ ቤተን ሰርሓ። 20 ከም ብሓድሽ ድማ፥
ንመግስቲ ኣምላኽ ብምንታይ ክምስላ እየ፧ 21 ሰበይቲ ወሲዳ፡ ኵሉ ኽሳዕ ዚበኵዕ፡ ኣብ ሰለስተ ሳቶን
ሓርጭ ዝለወሰቶ ማይ ብሑቕ እያ እትመስል፡ በለ። 22 ኣብ ከተማታት ኣብ ዓድታትን እናመሃረ
ይመላለስ ነበረ። መገዲ ኸኣ ንየሩሳሌም ገጹ ኣቕንዑ ነበረ። 23 ሓደ ሰብኣይ ከኣ፥ ጐይታይ፡ ሒደት
ድዮም ዚድሕኑ፡ በሎ። 24 ንሱ ኸኣ በሎም፥ ብዙሓት ኪኣትዉ እናደለዩስ ከም ዘይኰነሎም፡ እብለኩም
ኣሎኹ እሞ፡ በታ ጸባብ ደገ ንምእታው ተጋደሉ። 25 ብዓል ቤት ተንሲኡ ማዕጾኡ ምስ ሸጐረ፡ ሽዑ ኣብ
ወጻኢ ደው ምባል ክትጅምሩ፥ ጐይታይ፡ ጐይታይ፡ ክፈተልና፡ እናበልኩም ማዕጾ ኺሕኳሕ ከተብሉ
ኢኹም። ንሱ ኸኣ፥ ካበይ ምዃንኩም ኣይፈልጠኩምን እየ፡ ኢሉ ኺመልሰሎኩም እዩ። 26 ሽዑ፥ ኣብ
ቅድሜኻ በሊዕናን ሰቲናን፡ ንስኻውን ኣብ ገዛና ምሂርካ፡ ምባል ክትጅምሩ ኢኹም። 27 ንሱ ኸኣ፥ ኣቱም
ገበርቲ ዓመጻ ኵላትኩም፡ ካበይ ምዃንኩም ኣይፈልጠኩምን እየ፡ ካባይ ርሐቑ፡ እብለኩም ኣሎኹ፡
ኪብል እዩ። 28 ንኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን ንዅሎም ነብያትን ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ምስ
ርኤኹምዎም፡ ንስካትኩም ግና ኣብ ወጻኢ ተደርቢኹም፡ ኣብኡ ብኽያትን ምሕርቃም ኣስናንን
ኪኸውን እዩ። 29 ካብ ምብራቕን ምዕራብን ካብ ሰሜንን ደቡብን ድማ ኺመጹ፡ ኣብ መንግስቲ
ኣምላኽውን ኣብ መኣዲ ኪቕመጡ እዮም። 30 እንሆ ድማ፡ ቀዳሞት ዚኾኑ ዳሕሮት ኣለዉ፡ ዳሕሮት
ዚኾኑ ቀዳሞትውን ኣለዉ። 31 በታ ጊዜ እቲኣ ሓያሎ ኻብ ፈሪሳውያን፡ ሄሮድስ ኪቐትለካ ይደሊ ኣሎ
እሞ፡ ውጻእ፡ ካብዚ ኣግልስ፡ ኢሎም ናብኡ መጹ። 32 ንሱ ኸኣ በሎም፥ ኬድኩም ነዛ ወኻርያ፥ እንሆ፡
ሎምን ጽባሕን ኣጋንንቲ ኤውጽእ ኤሕዊ፡ ኣብ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ እውድእ ኣሎኹ። 33 ነብዪ ግና
ብዘይ ኣብ የሩሳሌም ኣይቕተልን እዩ እሞ፡ ሎምን ጽባሕን ድሕሪ ጽባሕን ክመላለስ ይግባኣኒ እዩ፡
በሎም። 34 የሩሳሌም፡ የሩሳሌም፡ ንነብያት እትቐትሊ፡ ናባኺ ንተላእኩውን ብእምኒ እትጭፍልቒ፡

ከምቲ ደርሆ ንጨጨውታ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፋ እትእከቦም፡ ከንደይ ሳዕ ንደቅኺ ኽእክቦም ዘይደሌኹ
እሞ ኣቤኹም። 35 እንሆ፡ ቤትኩም ክትፆኑ እያ። ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ብሩኽ እዩ፡ እትብሉሉ
ዘመን ክሳዕ ዚመጽእውን፡ ኣይክትርእዩንን ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 14

1 ኰነ ድማ፡ ብሰንበት ኣብ ቤት ሓደ ኻብ ሓለቓ ፈሪሳውያን እንጌራ ኪበልዕ ምስ ኣተወ፡ ንሳቶም
ይጸናጸንዎ ነበሩ። 2 እንሆ፡ ከብዱ እተነፍሐ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚኡ ነበረ። 3 የሱስ ንፈለጥቲ ሕግን
ፈሪሳውያንን፥ ብሰንበት ምፍዋስሲ ግቡእ ድዩ ወይስ ኣይፋሉን፧ ኢሉ ተዛረቦም። 4 ንሳቶም ከኣ
ኣጽቀጡ። ንሱ ድማ ወሲዱ ኣሕወዮን ሰደዶን። 5 መሊሱ ድማ በሎም፥ ካባኻትኩምከ ወዱ ወይ ብዕራዩ
ናብ ዔላ እንተ ወደቐ፡ ብኡብኡ ብመዓልቲ ሰንበት ዘየጽኦ መን ኣሎ፧ 6 ነዚ ነገርዚ ኸኣ ምላሽ ስኣኑሉ። 7
ነቶም ናብ ምሳሕ እተጸውዑ ድማ ኣውራ መቐመጢ ኺም ዚሐርዩ ምስ ረኣየ፡ ምስላ መሰለሎም፡ ከምዚ
ኢሉ፥ 8 ሓደ ናብ መርዓ እንተ ዓደመካ፡ ኣብቲ ኣውራ መቐመጢ ኣይትቀመጥ። ካባኻ ዚኸብር ካልእ
ጸዊዑ እንተ ኾነ፡ 9 እቲ ንእኡን ንኣኻን ዝጸውዔ መጺኡ፥ እዛ ስፍራ እዚእ ነዚ ሕደገሉ፡ ኪብለካ እዩ
እሞ፡ ሽዑ እናሓፈርካ ናብ ታሕታይ መቐመጢ ኽትወርድ ትጅምር። 10-11 ርእሱ ዘዕቢ ዅሉ ኺዋረድ፡
እቲ ርእሱ ዜዋርድ ከኣ ኪኸብር እዩ እሞ እንተ ተዓደምካ፡ እቲ ዝዓደመካ መጺኡ፡ ዓርከይ፡ ናብ ላዕላይ
ደይብ፡ ምእንቲ ኺብለካስ፡ ኬድካ ኣብ ታሕታይ ስፍራ ተቐመጥ። ሽዑ ኣብ ቅድሚ እቶም ምሳኻ
ዚምስሑ ዅሎም መቓምጥኻ ኽብረት ኪኾነልካ እዩ። 12 ነቲ ዝጸውዖ ሰብኣይ ድማ፥ ምሳሕ ወይስ
ድራር እንተ ገበርካ፡ ንሳቶም ድማ ምናልባሽ መሊሶም ከይጽውዑኻ እሞ፡ ምፍዳይ ለቕሓ ኸይኰነካስ፡
ኣዕሩኽካ ኾነ ወይ ኣሕዋትካ፡ ወይ ኣዝማድካ፡ ወይ ሃብታማት ጐረባብትኻ ኣይትጸውዕ። 13 ምሳሕ
እንተ ገበርካስ፡ ድኻታትን ቈራያትን ሓንካሳትን ዕዉራትን ደኣ ጸውዕ። 14 ዚፈድዩኻ የብሎምን እሞ
ብጹእ ክትከውን፡ ብትንሳኤ ጻድቃንውን ክትፍደ ኢኻ፡ በሎ። 15 ካብቶም ምስኡ ኣብ መኣዲ እተቐመጡ
ሓደ እዚ ምስ ሰምዔ፥ እቲ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ እንጌራ ዚበልዕ ብጹእ እዩ፡ በሎ። 16 ንሱ ኸኣ በሎ፥
ሓደ ሰብኣይ ዓብዪ ድራር ገበረ፡ ንብዙሓት ዓደመ። 17 ኣብቲ ጊዜ ድራር ድማ ነቶም ዕዱማት፡ ኵሉ
ተዳልዩ ኣሎ እሞ፡ ንዑ ኪብሎም ባርያኡ ለኣኸ። 18 ኵሎም ከኣ ሐቢሮም ኬማኽንዩ ጀመሩ። እቲ
ቐዳማይ፥ ግራት ዓዲገ ኣሎኹ፡ ናብኣ ወፊረ ኽርእያ ብግዲ ዜድልየኒ ኾይኑስ፡ ከተማኽንየለይ እልምነካ
ኣሎኹ፡ በሎ። 19 እቲ ኻልኣይ ድማ፥ ሓሙሽተ ጽምዲ ብዕራይ ዓዲገ ኣሎኹ፡ ክፍትኖም ክኸይድ እየ፡
ከተማኽንየለይ እልምነካ ኣሎኹ፡ በሎ። 20 እቲ ሳልሳይ ከኣ፥ ሰበይቲ ኣእትየ ኣሎኹ፡ ስለዚ ኽመጽእ
ኣይኰነለይን እዩ፡ በሎ። 21 እቲ ባርያ መጺኡ እዚ ንጐይታኡ ነገሮ። ሽዑ እቲ ብዓል ቤት ኰርዩ ነቲ
ባርያኡ፥ ናብ ኣደባባይን ናብ መተሓላለፍ ከተማን ቀልጢፍካ ውጻእ፡ ድኻታትን ቈራያትን ሓንካሳትን
ዕዉራትን ናብዚ ኣእቱ፡ በሎ። 22 እቲ ባርያ ኸኣ፥ ጐይታይ፡ ከምቲ ዝኣዘዝካዮ ኾይኑ፡ ስፍራ ድማ ገና
ኣሎ፡ በሎ። 23 እቲ ጐይታ ድማ ነቲ ባርያኡ፡ ናብ መገድን ናብ ገዛታትን ውጻእ እሞ ቤተይ ምእንቲ
ኽትመልእሲ፡ ኪኣትዉ ተጋደሎም፡ በሎ። 24 ካብቶም እተዓደሙ ሰብኡት ሓደ እኳ ንድራረይ
ኣይኪጥዕሞን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 25 ብዙሓት ሰብ ምስኡ ይኸዱ ነበሩ። ንሱ ኸኣ ግልጽ ኢሉ
በሎም፥ 26 ናባይ ዚመጽእ እንተሎ እሞ ኣቦኡን ኣዲኡን ሰበይቱን ደቁን ኣሕዋቱን ኣሓቱን፡ ህይወቱውን
ከይተረፈት፡ እንተ ዘይጸልኤ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን እዩ። 27 መስቀሉ ዘይጸውር እሞ
ደድሕረይ ዘይሰዕብ ዘበለ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን። 28-30 ካባኻትኩምከ፡ ምስራሕ ግምቢ

ዚደሊ እሞ መሰረት ምስ ሰረተ፡ ምውዳኡ እንተ ሰኣነ፡ ዝረኣይዎ ኵሎም፡ እዚ ሰብኣይዚ ምንዳቕ
ጀሚሩስ ምውዳኡ ስኢኑ፡ ኢሎም ምእንቲ ኺላግጹሉ ኸይጅምሩ፡ ንመወድኢኡ ዚኣኽሎ ገንዘብ
እንተለዎ፡ ቅድም ተቐሚጡ ዘይጽብጽብ፡ እንታዋይ እዩ፧ 31 ወይስ ኣየናይ ንጉስ እዩ፡ ምስ ካልእ ንጉስ
ኪዋጋእ ዚኸይድ እሞ ነቲ ብኽልተ እልፊ ዚመጾስ ብእልፊ ኺገጥመሉ ዚኽእል እንተ ኾይኑ፡
ተቐሚጡ ቕድም ዘይመክር፧ 32 እንተ ዘይኰነስ፡ ገና ኻብኡ ርሑቕ ከሎ፡ ልኡኻት ናብኡ ልኢኹ ዕርቂ
ይልምኖ። 33 ከምኡ ድማ ነፍሲ ወከፍኩም ዘለዎ ኵሉ ዘይቀበጾ፡ ወደ መዝሙረይ ኪኸውን ኣይክእልን
እዩ። 34 ጨው ጽቡቕ እዩ፡ እቲ ጨው መቐረቱ እንተ ኸደኸ፡ ብምንታይ ይምቅር፧ 35 ንወጻኢ ይጉሕፍዎ
እምበር፡ ንምድሪ ኾነ፡ ንምድኳዕ ኰነ ኣይጠቅምን እዩ። እትሰምዕ እዝኒ ዘላቶ ይስማዕ።

# ምዕራፍ 15

1 ኵሎም ተገውትን ሓጥኣንን ኪሰምዕዎ ናብኡ ቐረቡ። 2 ፈሪሳውያንን ጸሓፍትን ድማ፥ እዝስ ንሓጥኣን
ደኣ ይቕበል ምሳታቶምውን ይበልዕ፡ ኢሎም ኣጕረምረሙ። 3 እዚ ምስላ እዚ ኸኣ መሰለሎም፡ ከምዚ
ኢሉ፥ 4 ካናኻትኩምከ ሚእቲ ኣባጊዕ ዘለዋኦ እሞ ካባታተን ሓንቲ እንተ ጠፍኣቶስ፡ ነተን ተስዓን
ትሸዓተን ኣብ በረኻ ዘይሐድግ፡ ክሳዕ ዚረኽባውን ነታ ዝጠፍኤት ኪደሊ ዘይከይድ እንታዋይ ሰብኣይ
እዩ፧ 5 ምስ ረኸባ ኸኣ፡ እናተሐጐሰ ኣብ መንኰቡ ይሕንግራ። 6 ናብ ቤቱ ምስ ተመለሰ ድማ፡ ነዕሩኹን
ንጐረባብቱን ብሓደ ጸዊዑ፥ ነታ ዝጠፍኤትኒ በጊኤይ ረኺበያ እሞ፡ ምሳይ ተሐጐሱ፡ ይብሎም። 7
ከምኡ ኸኣ ንስሓ ኻብ ዘይደልዩ ተስዓን ትሸዓተን ጻድቃንሲ፡ ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ሰማይ ሓጐስ
ኪኸውን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 8 ወይስ ኣየነይቲ ሰበይቲ እያ፡ ዓሰርተ ድሪም ዘለዋ፡ ሓንቲ ድሪም
እንተ ጠፍኣታ፡ መብራህቲ ዘይተብርህ ቤታውን ዘአይትኾስትር፡ ክሳዕ እትረኽባ ኸኣ ኣጸቢቓ
ዘይትደሊ፧ 9 ምስ ረኸበታ ድማ፥ እታ ዝጠፍኣትኒ ድሪመይ ረኺበያ እሞ፡ ምሳይ ተሐጐሳ፡ ኢላ
ነዳኖታታን ንጐረባብታን ትጽውዔን። 10 ከምኡ ድማ ብሓደ ዚንሳሕ ሓጥእ ኣብ ቅድሚ መላእኽቲ
ኣምላኽ ሓጐስ ይኸውን እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 11 በለ ድማ፥ ንሓደ ሰብኣይ ክልተ ደቂ ነበርዎ። 12
እቲ ንእሽቶ ኸኣ ነቦኡ፥ ኣቦይ፡ ካብዚ ጥሪት እቲ ዚበጽሓኒ ግደ ሃበኒ፡ በሎ። ነቲ ገንዘቡ ኸኣ መቐሎም።
13 ድሕሪ ሒደት መዓልቲ ኸኣ እቲ ንእሽቶ ወዲ ዘለዎ ኵሉ ኣኪቡ፡ ናብ ካልእ ርሑቕ ሃገር ከደ። ኣብኡ
ድማ ነቲ ጥሪቱ ብቕለትን ዕብዳንን ዘረዎ። 14 ዘለዎ ዘበለ ምስ ወድኤ፡ ኣብታ ሃገር ብርቱዕ ጥሜት ኰነ።
ንሱ ኸኣ ኪስእን ጀመረ። 15 ከይዱ ምስ ሓደ ኻብ ደቂ እታ ሃገር ተዋዓዓለ፡ ንሱ ኸኣ፡ ሓሰማታት
ኪጓሲ፡ ናብ ምድሩ ሰደዶ። 16 ካብቲ ሓሰማታት ዚቕለባኦ ቛርፍ ከብዱ ኺመልእ ከኣ ሃረር ይብል ነበረ፡
ዚህቦ ግና ሓደ እኳ ኣይረኸበን። 17 ሽዑ ናብ ልቡ ተመሊሱ በለ፥ እንጌራ ዚተርፎም ግዙኣት ኣቦይ
ክንደይ እዮም። ኣነ ግና ኣብዚ ብጥሜት እመውት ኣሎኹ። 18 ተንሲኤ ደኣ ናብ ኣቦይ ክኸይድ እሞ፥
ኣቦይ፡ ንሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ሕጢኣት ገበርኩ። 19 ደጊም ወድኻ ኽብሃል ኣይበቅዕን እየ፡ ከም ሓደ
ኻብ ግዙኣትካ ግበረኒ፡ ክብሎ። 20 ተንሲኡ ናብ ኣቦኡ ኸደ። ኣቦኡ ድማ ገና ርሑቕ ከሎ ረኣዮ እሞ
ደንገጸሉ፡ ጐይዩ ኸኣ ብኽሳዱ ሐኒቑ ሰዓሞ። 21 እቲ ወዲ ድማ፥ ኣቦይ፡ ንሰማይን ኣብ ቅድሜኻን
ሓጢኣት ገበርኩ፡ ደጊምሲ ወድኻ ኽብሃል ኣይበቅዕን እየ፡ በሎ። 22 ኣቦኡ ግና ንባሮቱ፥ ብሉጽ ክዳን
ኣምጺእኩም ክደንዎ፡ ቀለቤት ኣብ ኣጻብዑ፡ ኣሳእንውን ኣብ ኣእጋሩ ኣእትዉሉ። 23-24 እዚ ወደይ ሞይቱ
ነይሩ ሐውዩ፡ ጠፊኡ ነይሩውን ተረኺቡ እዩ እሞ፡ ስብሕቲ ላም ኣምጺእኩም ሕረዱ፡ ንብላዕ፡
ንተሐጐስ፡ በሎም። ኪሕጐሱ ድማ ጀመሩ። 25 እቲ ዓብዩ ወዱ ግና ኣብ ወፍሪ ነበረ። መጺኡ ናብ ጥቓ

ቤት ምስ ቀረበ፡ ኰበሮን ጓይላን ሰምዔ። 26 ካብቶም ግዙኣት ንሓደ ጸዊዑ፥ እዚ እንታይ እዩ፧ ኢሉ
ሐተቶ። 27 ንሱ ኸኣ፥ እቲ ሓውካ መጺኡ እሞ ኣቦኻ፡ ብደሓኑ ስለ ዝረኸቦ፡ ስብሕቲ ላም ሐሪዱሉ፡
በሎ። 28 ንሱ ግና ኲረየ ምእታውውን ኣበየ። ኣቦኡ ኸኣ ወጺኡ ለመኖ። 29 ንሱ ግና ነቦኡ፡ እንሆ፡
ክንድዚ ዓመት ተገዛእኩኻ፡ ካብ ትእዛዝካውን ከቶ ኣይሐለፍኩን። ንኣይሲ ምስ ኣዕሩኸይ ዝሕጐሰሉ
ማሕስእ እኳ ኣይሃብካንን። 30 እዚ ንገንዘብካ ምስ ኣመናዝር ኰይኑ በሊዑ ዝወድኤ ወድኻ ምስ መጸ
ግና፡ ስብሕቲ ላም ሐረድካሉ፡ ኢሉ መለሰሉ። 31 ንሱ ኸኣ፥ ወደይ፡ ንስኻስ ኵሉ ሳዕ ምሳይ ኣሎኻ፡
ናተይ ዘበለ ድማ ናትካ እዩ። 32 እዚ ሓውካ ግና ሞይቱ ነይሩ ሐውዩ፡ ጠፊኡ ነይሩውን ተረኺቡ እዩ
እሞ፡ ክንሕጐስን ባህ ኪብለናን ይግባኣና እዩ፡ በሎ።

# ምዕራፍ 16

1 ነቶም ደቀ መዛሙርቱ ድማ በሎም፥ ኣዛዝ ቤት ዝነበሮ ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። ንእኡ፥ ገንዘብካ
ይብትነልካ ኣሎ፡ ኢሎም ኣጣቐስዎ። 2 ጸዊዑ ኸኣ፥ እዚ ብዛዕባኻ ዝሰምዖ ዘሎኹ እንታይ እዩ፧ ደጊም
ኣዛዝ ቤት ክትኰነኒ ኣይኰነልካን እዩ እሞ፡ ጸብጻብ ምምጋብካ ሃበኒ፡ በሎ። 3 እቲ ኣዛዚ ኸኣ ብልቡ፥
ጐይታይ ካብዛ ሽመተይ ኪስዕረኒ እዩ፡ ከይባኑ ኣይክእልን፡ ከይልምን ድማ እሐፍር፡ እንታይ ደኣ
ኽገብር እየ፧ 4 ጐይታይ ካብ ሽመተይ ምስ ሰዓረኒ፡ ኣብ ኣባይቶም ምእንቲ ኪቕበሉንስ፡ ዝገብሮ ሕጂ
ፈለጥኩ፡ በለ። 5 ነቶም ሰብ ዕዳ ጐይታኡ ንነፍሲ ወከፎም ጸዊዑ፡ ነቲ ቐዳማይ፥ ንጐይታይ እትፈድዮ
ዕዳ ኽንደይ ኣሎኻ፧ በሎ። 6 ንሱ ኸኣ ሚእቲ ባት ዘይቲ፡ በሎ። ሽዑ ንሱ፥ እንካ፡ ጽሕፈት ዕዳኻ
ተቐበል፡ ቀልጢፍካ ተቐመጥ እሞ ሓምሳ ኢልካ ጽሀፍ፡ በሎ። 7 ድሕሪኡ ድማ ንሓደ ኻልእ፥ ንስካኸ
ዕዳኻ ኽንደይ እዩ፧ በሎ። እቲውን፥ ሚእቲ ቆሮስ ስርናይ፡ በሎ። ሽዑ ንሱ፥ እንካ፡ ጽሕፈት ዕዳኻ
ተቐበል እሞ ሰማንያ ኢልካ ጽሐፍ፡ በሎ። 8 ካብ ደቂ ብርሃንሲ ደቂ እዛ ዓለም እዚኣ ኣብ ወለዶኦም
ይባላሐቱ እዮም እሞ፡ ነቲ ዓመጸኛ ኣዛዚ፡ ብልቦና ስለ ዝገበረ፡ ጐይታኡ ነኣዶ። 9 ኣነ ኸኣ፥ ምስ
ተወድኣኩም ኣብ ናይ ዘለኣለም ኣባይቶም ምእንቲ ኪቕበሉኹምሲ፡ ብገንዘብ ዓመጻ ንርእስኹም ኣዕሩኽ
ግበሩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 10 ብሒደት እሙን ዝኾነ ብብዙሕ ድማ እሙን እዩ፡ እቲ ብሒደት ዘዕምጽ
ድማ ብብዙሕውን ዓማጺ እዩ። 11 እምብኣርከ ብገንዘብ ዓመጻ እሙናት ካብ ዘይትኾኑ፡ ንጥሪት ሓቂ
ሕድሪ ዚህበኩም መን እዩ፧ 12 ብናይ እማትኩም እሙናት ካብ ዘይትኾኑስ፡ ናትኩም ዚህበኩም ደኣ
መን እዩ፧ 13 ሓደ ግዙእ ንኽልተ ጐይተት ኪግዛእ ዚኽእል የልቦን። ወይ ነቲ ሓደ ጸሊኡ ነቲ ሓደ ይፈቱ፡
ወይስ ነቲ ሓደ ተኣዚዙ ነቲ ሓደ ይንዕቕ። ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም። 14
እቶም ገንዘብ ዚፈትዉ ዝነበሩ ፈሪሳውያን ከኣ እዚ ኹሉ እናሰምዑ የላግጹሉ ነበሩ። 15 በሎም ድማ፥
እቲ ኣብ ቅድሚ ሰብ ዓብዩ መሲሉ ዚርኤ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍንፉን እዩ እሞ፡ ንስካትኩም
ርእስኹም ኣብ ቅድሚ ሰብ ተጽድቑ ኢኹም፡ ንልብኹም ግና ኣምላኽ ይፈልጦ እዩ። 16 ሕግን ነብያትን
ክሳዕ ዮሃንስ ነበሩ። ካብ ሽዑ ንነጀው መንግስቲ ኣምላኽ ትብሰር ኣላ፡ ኵሎም ድማ ይዳፍኡላ ኣለዉ።
17 ካብ ሕጊ ሓንቲ ነቑጣ ኻብ እትወድቕሲ፡ ሰማይን ምድርን ኪሐልፍ ይቐልል። 18 ንሰበይቱ ዚፈትሓ
ዘበለ ኻልእውን ዜእቱ ይዝሙ፡ ካብ ሰብኣያ ንተፈትሐት ዜእቱውን ይዝሙ። 19 ቀይሕ ክዳንን ክቡር
ዐፍታን ዚኽደን፡ ኵሉ መዓልቲ ኸኣ እናኣጋየጸ ዚሕጐስ ሃብታም ሰብኣይ ነበረ። 20 ኣልኣዛር ዝስሙ
ድኻውን፡ ብቕንስሊ ተወሪሱ ኣብ ኣፍ ደጊኡ ወዲቑ ነበረ። 21 ካብቲ ኻብ መኣዲ እቲ ሃብታም ዚወድቕ
ርፍራፍ ኪጸግብ ድማ ሃረር ይብል ነበረ። ኣኽላባት እናመጹ ኸኣ ቍስሉ ይልሕሱ ነበሩ። 22 ኰነ ድማ፡

እቲ ድኻ ምስ ሞተ፡ መላእኽቲ ናብ ሕቑፊ ኣብርሃም ወሰድዎ። እቲ ሃብታም ከኣ ሞተ ተቐብረውን። 23
ኣብ ሲኦል ኣብ ስቓይ ኰይኑ፡ ዓይኑ ቋሕ ኣቢሉ፡ ንኣብርሃም ኣብ ርሑቕ፡ ንኣልኣዛርውን ኣብ ሕቑፉ
ረአየ። 24 ጸዊዑ ኸኣ፥ ዎ ኣቦይ ኣብርሃም፡ በዚ ሃልሃልታዚ እስቀ ኣሎኹ እሞ ምሓረኒ፡ ኣንፊ ኣጻብዑ
ኣብ ማይ ጠሚዑ ልሳነይ ኬዝሕለለይ፡ ንኣልኣዛር ስደደለይ፡ በሎ። 25 ኣብርሃም ግና፥ ወደይ፡ ንስኻስ
ብህይወትካ ኸሎኻ ተድላኻ ኸም እተቐበልካ፡ ኣልኣዛር ድማ ከምኡ መከራ ኸም ዝጸገበ፡ ዘክር። ሕጂ
ግና ንሱ ኣብዚ ይጸናናዕ፡ ንስኻ ድማ ትስቀ። 26 ምስናይ እዚ ኹሉ ድማ፡ እቶም ካብዚ ናባኻትኩም
ኪሐልፉ ዚደልዩ ምእንቲ ኸይክእሉ፡ ኣብኡ ዘለዉውን ናባና ከይሳገሩስ፡ ኣብ መንጎናን መንጎኹምን
ዓብዪ ጋግ ተገይርዎ ኣሎ፡ በሎ። 27-28 ሽዑ ንሱ፥ ዎ ኣቦይ፡ እምብኣርሲ ሓሙሽተ ኣሕዋት ኣለዉኒ እሞ፡
ንሳቶምውን ናብዛ ስፍራ ስቓይ እዚኣ ከይመጹ፡ ኪምስክረሎም ንኣልኣዛር ናብ ቤት ኣቦይ ክትሰዶ
እልምነካ ኣሎኹ፡ በሎ። 29 ኣብርሃም ድማ፥ ሙሴን ነብያትን ኣለውዎም፡ ንኣታቶም ይስምዑ፡ በሎ። 30
ንሱ ኸኣ፥ ኣይኰነን፡ ኣቦይ ኣብርሃም፡ ካብ ምዉታት ሓደ እንተ ኸዶምሲ፡ ኪንስሑ እዮም፡ በሎ። 31
ንሱ ድማ፥ ንሙሴን ነብያትን እንተ ዘይሰምዕዎምሲ፡ ካብ ምዉታት ሓደ እንተ ተንስኤውን፡ ከቶ
ኣይኣምኑን እዮም፡ በሎ።

# ምዕራፍ 17

1 ንደቀ መዛሙርቱ በሎም፥ መዓንቀፊ ኸይመጸ ኣይተርፍን እዩ። ነቲ ብሰሩ መዓንቀፊ ዚመጽእ ግና
ወይለኡ። 2 ካብዞም ናእሽቱ ንሓደ ኻብ ዜስሕትሲ፡ መጥሓን ኣድጊ ኣብ ክሳዱ ተኣሲሩ ናብ ባሕሪ
ኺድርበ ምሔሾ ነይሩ። 3 ንርእስኹም ተጠንቀቑ። ሓውካ እንተ በደለካ፡ ግንሖዮ፡ እንተ ተጣዕሰ፡
ሕደገሉ። 4 ኣብ መዓልቲ ሾብዓተ ሳዕ እንተ በደለካ፡ ተጥዒሰ እናበለ ኸኣ ኣብ መዓልቲ ሾብዓተ ሳዕ
ናባኻ እንተ ተመልሰ፡ ሕደገሉ። 5 ሃዋርያት ድማ ንጐይታ፥ እምነት ወስኸና፡ በልዎ። 6 ጐይታ ኸኣ፥ ከንዲ
ፍረ ኣድሪ እትኣክል እምነት እንተ ትህልወኩምሲ፡ ነዚ ሳግላ፡ ተመንቀዅስካ ኣብ ባሕሪ ተተኸል፡
ምበልኩምዎ እሞ ምተኣዘዘኩም ነይሩ። 7 ካባኻትኩምከ ዚሐርስ ወይስ ዚጓሲ ባርያ ዘለዎ እሞ ካብ
ወፍሪ ምስ ኣተወ፥ ቀልጢፍካ ሕለፍ፡ ክትድረር ተቐመጥ፡ ዚብሎ መን ኣሎ፧ 8 ክድረር ኣዳልወለይ፡
ክሳዕ ዝበልዕን ዝሰትን ከኣ ተዓጢቕካ ኣገልግለኒ፡ ድሕርቲ ንስኻውን ብላዕን ስተን፡ ደይኰነን ዚብሎ፥ 9
ወይስ ነቲ ባርያ እቲኺ እቲ እተኣዘዞ ስለ ዝገበረስ ይንእዶ፧ ኣይመስለንን። 10 ከምኡ ድማ ንስኻትኩም
እተኣዘዝኩምዎ ኹሉ ምስ ገበርኩም፥ ንሕና ዘይንጠቅም ባሮት ኢና፡ እቲ ኽንገብሮ ዚግብኣና ኢና
ዝገበርና፡ በሉ። 11 ኰነ ድማ፡ ናብ የሩሳሌም ኪኸይድ ከሎ፡ ብመንጎ ሰማርያን ገሊላን ሐለፈ። 12-13 ናብ
ሓንቲ ዓዲ ኺኣቱ ኸሎ፡ ዓሰርተ ለምጻማት ተጓነፍዎ። ኣብ ርሑቕ ደው ኢሎምከኣ ድምጾም ዓው
ኣቢሎም፥ ዎ የሱስ መምህር፡ ምሐረና፡ በልዎ። 14 ንሱ ርእይዎም፥ ኪዱ፡ ርእስኹም ንኻህናት ኣርእዩ፡
በሎም። ኰነ ኸኣ፡ ኪኸዱ ኸለዉ፡ ነጽሁ። 15 ካባታቶም ሓደ ኸኣ ከም ዝሐወየ ምስ ረኣየ፡ ድምጹ ዓው
ኣቢሉ ንኣምላኽ እናኣመስገነ ተመለሰ። 16 እናኣመስገኖ ኸኣ ኣብ እግሩ ብገጹ ተደፍኤ። ንሱ ኸኣ ሳምራዊ
እዩ። 17 የሱስ ግና፥ ዝነጽሁስ ዓሰርተ ደይኰኑን፧ እቶም ትሽዓተ ደኣ ኣበይ ኣለዉ፡ 18 ብጀካ እዚ ኻልእ
ዝዓሌቱስ ንኣምላኽ ክብሪ ኺህብ እተመልሰዶ የልቦን፡ ኢሉ መለሰ። 19 ደሓር ከኣ፥ ተንስእ እሞ ኺድ።
እምነትካ ኣሕወየትካ፡ በሎ። 20-21 ፈሪሳውያን፥ መንግስቲ ኣምላኽ ምኣዝ ትመጽእ፧ ኢሎም ምስ ሓተትዎ
ኸኣ፡ ንሱ፥ መንግስቲ ኣምላኽ እንሃ፡ ኣብ ውሽጥኹም ኣላ እሞ፡ መንግስቲ ኣምላኽሲ ብምትሕልላው
ኣይትመጽእን እያ፡ እንሃ ኣብዚ ወይስ ኣብቲ ዚብላውን የልቦን፡ ኢሉ መለሰሎም። 22 ንደቀ መዛሙርቱ

ኸኣ በሎም፥ ካብ መዓልትታት ወዲ ሰብ ሓንቲ ኽትርእዩ እትምነዩለን መዓልትታት ከመጸ እየን፡
ኣይክትርእዩን ከኣ ኢኹም። 23-24 መብረቕ ካብቲ ሓደ ወሰን ሰማይ ክሳዕ እቲ ኻልእ ወሰን ሰማይ ከም
ዚበርቕን ከም ዜብርህን፡ ከምኡ ኸኣ ወዲ ሰብ በታ መዓልቲ ኪኸውን እዩ እሞ፥ እንሆ ኣብዚ ወይስ
እንሆ ኣብቲ ኣሎ፡ ኪብልኹም እዮም፡ ኣይትኺዱ ኣይትስዓብዎምን። 25 ቅድም ግና ብዙሕ ሓሳረ መከራ
ኺጸግብ፡ በዚ ወለዶ እዚውን ኪነዓቕ ብግዲ እዩ። 26 ከምቲ ብዘመን ኖህ ዝኾነ፡ ብዘመን ወዲ ሰብውን
ከምኡ ኪኸውን እዩ። 27 ክሳዕ እታ ኖህ ናብ መርከብ ዝኣተወላ መዓልቲ ይበልዑን ይሰትዩን የእትዉን
የተኣታትውን ነበሩ። ማይ ኣይሂ ድማ መጸ ንኹሎምውን ኣጥፍኤ። 28 ብዘመን ሎጥ ድማ ከምኡ ኾነ፥
ይበልዑን ይሰትዩን ይሸጡን ይሻየጡን ይተኽሉን ይሃንጹን ነበሩ። 29 በታ ሎጥ ካብ ሶዶም ዝወጸላ
መዓልቲ ድማ ካብ ሰማይ ሓውን ዲንን ወረደ፡ ንኹሉ ኸኣ ኣጥፍኤ። 30 በታ ወዲ ሰብ ዚግለጸላ
መዓልቲ ድማ ከምኡ ኪኸውን እዩ። 31 በታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ደርቢ ዘሎ፡ ኣቓሑኡ ኸኣ ኣብ ቤት
ዘለዎ ኺወስዶ ኢሉ ኣይውረድ። ኣብ ወፍሪ ዘሎውን ንድሕሪት ኣይመለስ። 32 ንሰበይቲ ሎጥ ዘክርዋ። 33
ንህይወቱ ኼድሕና ዚደሊ ኺጥፍኣ እዩ፡ እቲ ዜጥፍኣ ግና ኬድሕና እዩ። 34 በታ ለይቲ እቲኣ ኽልተ ኣብ
ሓንቲ ዓራት ኪድቅሱ እዮም፡ እቲ ሓደ ኺውሰድ፡ እቲ ሓደ ኸኣ ኪሕደግ እዩ። 35 ክልተ ኣንስቲ
ብሓንሳእ ኪጥሕና እየን፡ እታ ሓንቲ ኽትውሰድ፡ እታ ኻልኣይቲ ኽትሕደግ እያ። 36 ክልተ ኣብ ወፍሪ
ኺጸንሑ እዮም፡ እቲ ሓደ ኺውሰድ፡ እቲ ኻልኣይ ኪሕደግ እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 37 መሊሶም ከኣ፥
ጐይታይ፡ ኣበይከ እዩ፧ በልዎ። ንሱውን፥ ኣብቲ ገምቢ ዘልዎ፡ ኣሞራታት ናብኡ ኺእከቡ እዮም፡
በሎም።

## ምዕራፍ 18

1 ከይቀበጹ ኹሉ ሳዕ ኪጽልዩ ኸም ዚግብኦም ድማ፡ ብምስላ ተዛረቦም፡ ከምዚ ኢሉ፡ 2 ኣብ ሓንቲ
ኸተማ፡ ንኣምላኽ ዘይፈርህ ንሰብ ድማ ዘይሓፍር ፈራዲ ነበረ። 3 ኣብታ ኸተማ እቲኣ ድማ መበለት
ነበረት፡ ናብኡ እናመጸት ከኣ፡ ምስ እዚ መባእስተይ ፍትሒ ኣውጽኣለይ፡ ትብሎ ነበረት። 4 እናኣበያ ኸኣ
ሓያሎ መዓልቲ ኣደንጐያ። ድሕርቲ ግና ብልቡ፥ ኣምላኽ እንተ ዘይፈራህኩ ሰብውን እንተ ዘይሓፈርኩ፡
5 እዛ መበለት እዚኣ ላሕ ኣቢላትኒ እያ እሞ፡ መመሊሳ እናመጸት ከይተሰልክየንስ፡ ፍትሒ ደኣ
ኸውጽኣላ፡ በለ። 6 ጐይታ በለ፥ እዚ ዓመጸኛ ፈራዲ ዚብሎ ዘሎ ስምዑ። 7 ኣምላኽዶ ግዳ ነቶም ለይትን
መዓልትን ናብኡ ዚጠርዑ ሕሩያቱ ፍትሒ ኣየውጽኣሎምን እዩ፧ ይጽመሞዶኸ፧ 8 ቀልጢፉ ፍትሒ ኸም
ዜውጽኣሎም፡ እብለኩም ኣሎኹ። ወዲ ሰብ ምስ ዚመጽእ ግና፡ እንድዒ እምነት ደኾን ኣብ ምድሪ
ኺረክብ እዩ፧ 9 ንሓያሎ ጻድቃን ምዃኖም ብርእሶም ዚእመኑ ንኻልኦትውን ዚንዕቁ ዝነበሩ ድማ፡ እዚ
ምስላዚ በሎም፥ 10 ክልተ ሰብኣይ፡ እቲ ሓደ ፈሪሳዊ፡ እቲ ኻልኣይ ከኣ ተጋዊ፡ ኪጽልዩ ናብ ቤት
መቕደስ ደየቡ። 11-12 እቲ ፈሪሳዊ ደው ኢሉ ብልቡ፥ ዎ ኣምላኽ፡ ኣብ ሰሰሙን ክልተ መዓልቲ
እጸውም፡ ካብ ኵሉ ገንዘበይ ከኣ ዕሽር ኤውጽእ፡ ከምቶም ካልኦት ሰባት፡ ከተርቲ፡ ዓመጽቲ፡ ዘመውቲ፡
ወይ ከምዚ ተጋዊ እዚ ስለ ዘይኰንኩ፡ ኤምስግነካ ኣሎኹ፡ ኢሉ ጸለየ። 13 እቲ ተጋዊ ግና ኣብ ርሑቕ
ደው ኢሉ ንኣይ ንሓጥእ ምሐረኒ፡ እናበለ ኣፍ ልቡ ይወቅዕ ነበረ እምበር፡ ዓይኑ ናብ ሰማይ ቋሕ ኬብል
እኳ ኣይደፈረን። 14 ርእሱ ልዕል ዜብል ኵሉ ይዋረድ፡ ርእሱ ዜትሕት ግና ልዕል ይብል እዩ እሞ፡ እዚ
ሓለፋ እቲ ጻዲቕ ናብ ቤቱ ኸም ዝወረደ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 15 ንሕጻናት ድማ ኪትንክዮም ናብኡ
ኣምጽእዎም። እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ እዚ ርእዮም ገንሕዎም። 16 የሱስ ግና ጸዊዑ፥ መንግስቲ

ኣምላኽ ንኽምዚኦም ዝበሉ እያ እሞ፡ ሕጻናት ናባይ ይምጽኡ ሕደጉ፡ እይትኽልክልዎም። 17
ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ህጻን ኰይኑ ዘይተቐበላ ከቶ ኸም ዘይኣትዋ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡
በሎም። 18 ሓደ መራሒ ድማ፥ ዎ ሄር መምህር፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኽወርስ እንታይ እግበር፡
ኢሉ ሐተቶ። 19 የሱስ ከኣ፥ ንምንታይከ ሄር እትብለኒ፡ ብጀኻ ሓደ፡ ንሱ ኸኣ ኣምላኽ፡ ሄር የልቦን። 20
ነተን፥ ኣይትዘሙ፡ ኣይትቕተል፡ ኣይትስረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ዚብላ
ትእዛዛት ትፈልጠን ኢኻ፡ በሎ። 21 ንሱ ኸኣ፥ ነዚ ኹሉስ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ እሕልዎ አሎኹ፡ በለ።
22 የሱስ ድማ እዚ ምስ ሰምዔ፥ ገናኸኣ ሓንቲ ተሪፋትካ ኣላ፥ ዘሎካ ኹሉ ሼጥካ ንድኻታት ሃብ፡ ኣብ
ሰማይ ከኣ መዝገብ ኪጸንሓካ እዩ፡ ንዓውን ስዓበኒ፡ በሎ። 23 ንሱ ኸኣ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ኣዝዩ ሃብታም
ነበረ እሞ፡ ብዙሕ ጒሃየ። 24 የሱስ ብዙሕ ምጒሃዩ ርእዩ፥ ሃብቲ ንዘለዎም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ
ምእታው ክንደይ ጭንቂ እዩ። 25 ሃብታም ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ካብ ዚኣቱስ፡ ገመል ብዓይኒ መርፍእ
ክትሐልፍ ይቐልል፡ በለ። 26 እቶም ዝሰምዑ ኸኣ፥ መን ደኣ ኰን ኪድሕን ይኽእል፡ በሉ። 27 ንሱ ኸኣ፥
እቲ ንሰብ ዘይከኣሎ፡ ንኣምላኽ ይከኣሎ እዩ፡ በሎም። 28 ሽዑ ጴጥሮስ፥ እንሆ፡ ንሕና ጥሪትና ኹሉ
ሐዲግና ስዒብናካ አሎና፡ በሎ። 29-30 ንሱ ኸኣ፡ ስለ መንግስቲ ኣምላኽ ኢሉ፡ ቤት ኰነ፡ ወይ ወለዲ፡
ወይ ኣሕዋት፡ ወይ ሰበይቲ፡ ወይ ውሉድ ዝሐደገ፡ ኣብዚ ዘመን እዚ ብዙሕ ካዕበት፡ ኣብታ እትመጽእ
ዓለም ከኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት ዘይረክብ የልቦን፡ ኢሉ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡ በሎም። 31 ነቶም
ዓሰርተው ክልተ ወሲዱ ድማ፡ እንሆ፡ ናብ የሩሳሌም ንድይብ አሎና፡ እቲ ብዛዕባ ወዲ ሰብ ኣብ ነብያት
እተጻሕፈ ኹሉ ኸኣ ኪፍጸም እዩ። 32 ነህዛብ ኣሕሊፎም ኪህብዎ፡ ኬላግጹሉ፡ ኪጸርፍዎ ጡፍውን
ኪብሉሉ፡ 33 ገሪፎም ድማ ኪቕትልዎ እዮም፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ኪትንስእ እዩ፡ በሎም። 34
ንሳቶም ግና ካብዚ ሓንቲ እኳ ኣየስተውዓሉን፡ እዚ ዘረባዚ ተሰዊርዎም ነበረ እሞ ነቲ እተዛረቦ
ኣየስተብህልዎን ነበሩ። 35 ኰነ ድማ፡ ናብ ያሪኮ ምስ ቀረቡ፡ እንሆ፡ ሓደ ዕዉር ኣብ ጥቓ መገዲ
ተቐሚጡ ይልምን ነበረ። 36 እኩብ ህዝቢ ኺሐልፍ ከሎ ሰሚዑ ኸኣ፥ እዚ እንታይ እዩ፧ ኢሉ ሐተተ። 37
የሱስ፡ እቲ ናዝራዊ፡ ይሐልፍ አሎ፡ ኢሎም ነገርዎ። 38 ንሱ ኸኣ፡ የሱስ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረኒ፡ ኢሉ
ጨርሔ። 39 እቶም ቅድሚት ዚኸዱ ዝነበሩ ስቕ ኪብል ገንሕዎ። ንሱ ግና፡ ወዲ ዳዊት፡ ምሐረኒ፡ ኢሉ
ኣዝዩ ጨርሔ። 40-41 የሱስ ከኣ ደው ኢሉ ናብኡ ኼምጽእዎ ኣዘዘ። ናብኡ ምስ ቀረበ ድማ፡ የሱስ፥
እንታይ ክገብረልካ ትደሊ አሎኻ፧ ኢሉ ሐተቶ። ንሱ ኸኣ፥ ጐይታይ፡ ክርኢ፡ በሎ። 42 የሱስ ድማ፥ ርኤ፡
እምነትካ ኣሕወየትካ፡ በሎ። 43 ብኡብኡ ረኣየ፡ ንኣምላኽ እናኣመስገነ ኸኣ ሰዓቦ። እቶም ህዝቢ
ኹሎምውን እዚ ምስ ረኣዩ፡ ንኣምላኽ ኣመስገንዎ።

## ምዕራፍ 19

1 የሱስ ኣብ ያሪኮ ኣትዩ ብእኣ ሐለፈ። 2 እንሆ፡ ዘኬዎስ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ሓለቓ ተገውቲ እዩ፡
ሃብታምውን እዩ። 3 ንየሱስ ከኣ፡ ኣየናይ ምዃኑ ኺርእዮ ይደሊ ነበረ። ቍመቱ ሓጺር ስለ ዝነበረ ኸኣ፡
ካብ ብዝሒ እቲ ህዝቢ እተላዕለ ምኽኣል ሰኣነ። 4 ምሕላፉ ብእኣ ነበረ እሞ፡ ቅድሚት ጐይዩ ኺርእዮ
ናብ ሳግላ ሐኾረ። 5 የሱስ ድማ ኣብታ ቦታ ምስ በጽሔ፡ ኣንቃዕሪሩ ጠሚትዎስ፥ ዘኬዎስ፡ ሎሚ ኣብ
ቤትካ ኽውዕል ይግብኣኒ እዩእሞ፡ ቀልጢፍካ ውረድ፡ በሎ። 6 ቀልጢፉ ወረደ ተሐጒሱውን ተቐበሎ። 7
እዚ ምስ ረኣዩ ድማ፡ ኣብ ቤት ሓጥእ ሰብኣይ ኪውዕል ኣተወ፡ ኢሎም ኵላቶም ኣዕዘምዘሙ። 8 ዘኬዎስ
ከኣ ተንሲኡ፡ ንጐይታ፡ ጐይታይ፡ እንሆ፡ ፈረቓ ጥሪተይ ንድኻታት እህብ፡ ገለ ዝዓመጽክዎ

እንተሎውን፡ ኣርባዕተ ዕጽፊ እፈድዮ፡ በሎ። 9-10 የሱስ ድማ፡ ወዲ ሰብ ንጥፉእ ኪደልን ኬድሕንን እዩ
ዝመጸ እሞ፡ ነስኻ ኸኣ ወዲ ኣብርሃም ስለ ዝኾንካ፡ ሎሚ ነዛ ቤት ምድሓን ኰነላ፡ በሎ። 11 ንሳቶም
እዚ ኺሰምዑ ኸለዉ ድማ፡ ናብ የሩሳሌም ቀሪቡ ነበረ እሞ፡ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ ብኡብኡ ኽም
እትገሃድ ይመስሎም ስለ ዝነበረ፡ ወሲኹ ምስላ ተዛረበ። 12 ስለዚ በለ፡ ሓደ ውሉድ ጭዋ፡ መንግስቲ
ተቐቢሉ ኺምለስ፡ ናብ ርሑቕ ሃገር ከደ። 13 ንዓሰርተ ባሮቱ ጸዊዑ ኸኣ፥ ክሳዕ ዝመጽእ በዚ ንግዱ፡ ኢሉ
ዓሰርተ ምና ሃቦም። 14 ደቂ ዓዱ ግና ጸልእዎ እሞ፥ እዚ ኺነግሰና ኣይንደልን ኢና፡ ኢሎም ደድሕሪኡ
ለኣኹ። 15 ኰነ ድማ፡ መንግስቲ ተቐቢሉ ምስ ተመልሰ፡ ነቶም ወርቂ ዝሃቦም ባሮቱ፡ ክንደይ ዚኣክል
ከም ዝረብሑ ኺፈልጥ፡ ኪጽውዑሉ ኣዘዘ። 16 እቲ ቐዳማይ፥ ጐይታይ፡ ምናኻ ዓሰርተ ምና ወሊዳ፡ ኢሉ
ቐረበ። 17 ንሱ ኸኣ፡ ኣታ ሕያዋይ ባርያ፡ ጽቡቕ ገበርካ። ብሒደት እሙን ኴንካ ኢኻ እሞ፡ ኣብ ዓሰርተ
ኸተማ ተሸየም፡ በሎ። 18 እቲ ኻልኣይ ድማ፥ ጐይታይ፡ እታ ምናኻ ሓሙሽተ ምና ወሊዳ፡ እናበለ መጸ።
19 ነዚ ድማ፥ ንስኻውን ኣብ ሓሙሽተ ኸተማ ተሸየም፡ በሎ። 20-21 ሓደ ኻልእ ድማ፥ ጐይታይ፡
ዘየንበርካዮ እተልዕል፡ ዘይዘራእካዮ እትዓጽድ ሓያል ሰብ ኢኻ እሞ፡ ፈሪሄካስ፡ እዛ ኣብ ቍራጽ ዓለባ
ቛጺረ ዘጽናሕክዋ ምናኻ እንሃልካ፡ እናበለ መጸ። 22 ንሱ ድማ፥ ኣታ እኩይ ባርያ፡ ከምቲ ኣፍካ ዝበሎ
እፈርደካ ኣሎኹ። ኣነ ዘየንበርክዎ ዘልዕል፡ ዘይዘራእክዎ ዝዐጽድ ሓያል ሰብ ምዃነይ ፈሊጥካ ኸሎኻስ፡
23 ስለምንታይ ደኣ ነቲ ወርቀይ ኣብ ሸረፍቲ ዘየንበርካዮ፧ ኣነ መጺኤ ምስ ወለዱ ምወሰድክዎ ነይረ፡
በሎ። 24 ነቶም ኣብኡ ደው ዝበሉ ሰባት ከኣ፡ እታ ምና ኣግድፍዎ እሞ ነቲ ዓሰርተ ምና ዘለዎ ሃብዎ፡
በሎም። 25 ንሳቶም ከኣ፥ ጐይታይ፡ እትስ ዓሰርተ ምና ኣለዎ፡ በልዎ። 26 ንሱ ድማ፥ ንዘለዎ ዘበለ
ኺውሃቦ እዩ፡ ነቲ ዜብሉ ግና እታ ዘላቶ እኳ ኼግድፍዎ እዮም፡ እብለኩም ኣሎኹ። 27 ነዞም ኣነ
ኽነግሶም ዘይደለዩ ጸላእተይ ግና ናብዚ ኣምጺእኩም ኣብ ቅድመይ ሕረድዎም፡ በለ። 28 እዚ ምስ
ተዛረበ፡ ናብ የሩሳሌም ኪድይብ ንቕድሚት ደፍኤ። 29 ኰነ ድማ፡ ናብ ቤተፋጌን ናብ ቢታንያን ኣብ
ጥቓ ደብረ ዘይቲ ዚብሃል ከረን ምስ ቀረበ፡ ካብ ደቀ መዛሙርቱ ኽልተ ለኣኸ፡ ከምዚ ኢሉ፥ 30 ናብዛ
ኣብ ቅድሜኹም ዘላ ዓዲ ኺዱ። ኣብኣ ምስ ኣቶኹም፡ ሰብ ዘይተወጥሖ እሱር ጻዕባ ክትረኽቡ
ኢኹም። ንእኡ ፈቲሕኩም ኣምጽእዎ። 31 ሓደ፥ ስለምንታይ ትፈትሕዎ ኣሎኹም፥ ኢሉ እንተ
ሐተተኩም ከኣ፥ ጐይታ ይደልዮ ኣሎ፡ በልዎ። 32 እቶም እተላእኩ ኸይዶም ከምታ ዝበሎም ረኸቡ። 33
ንሳቶም ነቲ ጻዕባ ኪፈትሕዎ ኸለዉ፡ ዋናታቱ፥ ነዚ ጻዕባ ስለምንታይ ትፈትሕዎ ኣሎኹም፧ በልዎም።
34 ንሳቶም ድማ፥ ጐይታ ይደልዮ ኣሎ፡ በልዎም። 35 ናብ የሱስ ሒዞምዎ መጹ። ኣብቲ ጻዕባ
ክዳውንቶም ጠይቆ ምስ ገበሩ ኸኣ፡ ንየሱስ ኣብኡ ኣወጥሕዎ። 36 ንሱ ኪኸይድ ከሎ፡ ክዳውንቶም ኣብ
መገዲ ኣንጸፉ። 37 ናብ መወዳእታ ቍልቍል ደብረ ዘይቲ ምስ ቀረበ፡ ኵሎም እቶም ብዙሓት ደቀ
መዝሙርቱ ብዛዕባ እቲ ዝረኣይዎ ዅሉ ሓይልታት ኪሕጐሱን ንኣምላኽ ብዓብዩ ድምጺ
ኺመስግንዎን ጀመሩ እሞ፡ 38 ብስም እግዚኣብሄር ዚመጽእ ንጉስ ብሩኽ እዩ። ሰላም ኣብ ሰማይ፡ ክብሪ
ኣብ ኣርያም፡ በሉ። 39 ካብቲ እኩብ ህዝቢ ድማ ሓያሎ ፈሪሳውያን፡ መምህር፡ ንደቀ መዛሙርትኻ
ግንሖዮም፡ በልዎ። 40 ንሱ ኸኣ፥ እዚኣቶም እኳ ስቕ እንተ በሉ፡ እዞም ኣእማን ኪጭድሩ እዮም፡
እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሎም። 41 ምስ ቀረበን ነታ ኸተማ ምስ ረኣያን፡ ከምዚ ኢሉ በኸየላ፥ 42
ኣየ፡ ንስኺ በዛ መዓልትኺ ንሰላምኪ ዚኸውን ነገር እንተ ትፈልጢ። ሕጂ ግና ካብ ዓንይንኺ ተኸዊሉ
ኣሎ። 43 ጸላእትኺ ቐጽሪ ቐጺሮም ዚዞሩኺ መዓልቲ ኽትመጸኪ እያ እሞ፡ ኪኸቡኺ፡ በዝን በትን ከኣ
ኬጽብቡልኪ እዮም። 44 ዘመን ምሕረትኪ ሳኣን ምፍላጥክስ፡ ንኣኽን ኣባኺ ንዚነብሩ ደቅኽን
ኪግምጥሉኹ፡ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ኣይኪሓድጉልክን እዮም። 45 ናብ ቤተ መቕደስ ኣትዩ ኸኣ፡ ነቶም

ዚሸጡን ዚሻየጡን፥ [46] ቤተይ ቤት ጸሎት እያ፡ ተጽሒፉ ኣሎ፡ ንስኻትኩም ግና በዓቲ ጕሓሉት
ገበርኩምዋ፡ እናበሎም ኬውጽእ ጀመረ። [47] ኣብ ጸጽባሕ ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ይምህር ነበረ።
ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ዓበይቲ ህዝብን ድማ ኬጥፍእዎ ይደልዩ ነበሩ። [48] ብዘሎ እቲ ህዝቢ ግና
ኪሰምዖ ደልዩ ይዓስሎ ነበረ እሞ፡ ዚገብርዎ ሰኣኑ።

# ምዕራፍ 20

[1] ብሓንቲ ኻብተን መዓልትታት እቲኤን ድማ ኾነ፡ ንህዝቢ ኣብ መቕደስ ኪምህሮም ወንጌልውን
ኪሰብከሎም ከሎ፡ ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ምስ ዓበይቲ ኹይኖም ተንሲኦም፥ [2] በየናይ ስልጣን
ኢኻ እዚ እትገብር ዘሎኻ፧ እዚ ስልጣን እዝስ መን ሃበካ፧ እስኪ ንገረና፡ ኢሎም ተዛረብዎ። [3] ንሱ ኸኣ፥
ኣነውን ሓንቲ ነገር እሐተኩም ኣሎኹ እሞ፡ ንገሩኒ፥ [4] ጥምቀት ዮሃንስሲ ኻብ ሰማይዶ ወይስ ካብ ሰብ
እያ፧ ኢሉ መለሰሎም። [5] ንሳቶም ከኣ፡ ካብ ሰማይ እንተ በልናዮ፡ ከመይ ደኣ ዘይኣመንኩምዎ፡ ኪብለና
እዩ። [6] ካብ ሰብ እንተ በልናዮ ኸኣ፡ ኵሉ ህዝቢ ዮሃንስ ነብዪ ምዃኑ ይኣምን እዩ እሞ፡ ብእምኒ
ኺጭፍልቐና እዩ፡ ኢሎም ብልቦም ይሐስቡ ስለ ዝነበሩ፡ [7] ካበይ ምዃኑ ኸም ዘይፈልጡ፡ መለሱሉ። [8]
የሱስ ከኣ፥ ኣነውን በየናይ ስልጣን እዚ ኸም ዝገብር፡ ኣይነግረኩምን እየ፡ በሎም። [9] ነቶም ህዝቢ ኸኣ
እዚ ምስላ እዚ ኺነግሮም ጀመረ፥ ሓደ ሰብኣይ ኣታኽልቲ ወይኒ ተኸለ፡ ንዓየይቲ ብመገስ ሂብዎም
ከኣ፡ ነዊሕ ኪድንጉ ናብ ካልእ ሃገር ከደ። [10] ጊዜኡ ምስ በጽሔ፡ ካብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ፍረ ኺህብዎ
ደልዩ፡ ንባርያኡ ናብቶም ዓየይቲ ለኣኾ። እቶም ዓየይቲ ግና ወቒዖም ጥራይ ኢዱ ሰደድዎ። [11] ካልኣይ
ባርያ ድማ ለኣኸ፡ ንእኡውን ወቒዖም፡ ኣዋሪዶም ጥራይ ኢዱ ሰደድዎ። [12] መሊሱ ኸኣ ሳልሳይ ለኣኸ፡
ንእኡ ድማ ኣቚሲሎም ንወጻኢ ሰጐጕዎ። [13] እቲ ዋና ኣታኽልቲ ወይኒ ድማ፥ እንታይ ደኣ ኽገብር እየ፧
ነዚ ዘፍቅሮ ወደይ ደኣ ኽሰድድ፡ ንእኡስ ይሐፍርዎ ግዲ ይኾኑ፡ በለ። [14] እቶም ዓያይቲ ግና ምስ
ረኣይዎ፡ ንሓድሕዶም፥ እዚ ወራሲ እዩ፡ እቲ ርስቱ ንኣና ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ንዑ ንቕተሎ፡ ኢሎም
ተማኸሩ። [15] ካብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ናብ ወጻኢ ኣውጺኦም ቀተልዎ። እቲ ዋና ኣታኽልቲ ወይኒኸ
እንታይ ኰን ኪገብሮም እዩ፧ [16] መጺኡ ነቶም ዓየይቲ ኼጥፍእ፡ እቲ ኣታኽልቲ ወይኒውን ንኻልኦት
ኪህቦም እዩ። እዚ ምስ ሰምዑ፥ ያእ ኣይግበሮ፡ በሉ። [17] ንሱ ግና ጠሚትዎም፥ እቲ ነደቕቲ ዝነዓቕዎ
እምኒ፡ ንሱ ርእሲ መኣዝን ኰነ፡ ዚብል ጽሑፍዶ እንታይ እዩ፧ [18] ኣብቲ እምኒ እቲ ዝወደቐ ዘበለ
ኺስበር፡ እቲ እምኒ እቲ ዝወደቖ ድማ ኪጭፍለቕ እዩ፡ በለ። [19] ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ከኣ ነዛ
ምስላ እዚኣ ብዛዕባኦም ከም እተዛረባ ስለ ዝፈለጡ፡ በታ ሰዓት እቲኣ ኺሕዝዎ ደለዩ፡ ግናኸ ነቶም
ህዝቢ ፈርሁ። [20] ተጻናትዮም ብዘረባ ኺሕዝዎ እሞ ንመንግስትን ስልጣን ሹምን ኣሕሊፎም ምእንቲ
ኺህብዎ፡ ቅኑዓት ተመሲሎም ዚጻናጸኑ ሰደዱ። [21] ንሳቶም ከኣ፥ መምህር፡ ብሓቂ ደኣ መገዲ ኣምላኽ
ትምህር እምበር፡ ገጽ ሰብ ርኢኻ ኸም ዘይተድሉን ሓቂ ኸም እትዛረብን ከም እትምህርን፡ ንፈልጥ
ኢሎና። [22] ንቄሳር ግብሪ ኽንህብሲ ተፈቒዱልና ድዩ ወይ ኣይፋሉን፧ ኢሎም ሐተትዎ። [23] ንሱ ግና
ጕርሖም ፈሊጡ፥ ንምንታይከ ትፍትኑኒ ኣሎኹም፧ [24] እቲ ዲናር ኣርእዩኒ። ምስሉን ጽሕፈቱን ናይ መን
እዩ፧ በሎም። ንሳቶም ከኣ፥ ናይ ቄሳር፡ በሉ። [25] ንሱ ድማ፥ እምብኣርሲ ናይ ቄሳር ንቄሳር፡ እቲ ናይ
ኣምላኽ ከኣ ንኣምላኽ ሃቡ፡ በሎም። [26] ኣብ ቅድሚ እቲ ህዝቢ ብዘረባኡ ኺሕዝዎ ኣይከኣሉን እሞ፡ በቲ
ምላሹ ተገሪሞም ኣጽቀጡ። [27] ካብቶም ትንሳኤ ምውታት የልቦን ዚብሉ ሰዱቃውያን ድማ ሓያሎ ናብኡ
መጺኦም ሐተትዎ፡ [28] ከምዚ ኢሎም፥ ዎ መምህር፡ ሓደ ሰበይቲ ዘላቶ ሓድጊ ኸይሐደገ እንተ ሞተ፡

ሓዉ ነታ ሰበይቲ ይውረሳ እሞ ንሓዉ ሓድጊ የቑመሉ፡ ኢሉ ሙሴ ጸሐፈልና። 29 እምብኣርከ ሾብዓተ
ኣሕዋት ነበሩ። እቲ ቐዳማይ ሰበይቲ ኣእትዩ ኸይወለደ ሞተ። 30 እቲ ኻልኣይ ድማ ወረሳ፡ ንሱ ኸኣ
ከይወለደ ሞተ። 31 እቲ ሳልሳይ ድማ ወረሳ፡ ከምእውን ሾብዓቲኦም ኣእትዮምዋስ፡ ውሉድ ከይሐደጉ
ሞቱ። 32 መወዳእታኡ እታ ሰበይቲውን ሞተት። 33 እምብኣርሲ፡ ሾብዓቲኦም ኣእትዮምዋ ነይሮም እዮም
እሞ እታ ሰበይቲ እቲኣ ብትንሳኤስ ሰበይቲ መኖም ክትከውን እያ፧ 34 የሱስ ከኣ በሎም፥ ደቂ እዛ ዓለም
እዚኣ የእትዉን የተኣታትዉን እዮም። 35-36 እቶም ነታ ዓለም እቲኣን ንትንሳኤ ምዉታትን ንምርካብ
ዚበቕዑ ግና ውሉድ ትንሳኤ ብምዃኖም ውሉድ ኣምላኽ እዮም፥ ከም መላእኽቲ ስለ ዝኾኑውን፡
ድሕርዚ ኺሞቱ ኣይከኣሎምን እዩ፡ ኣየእትዉን ኣየተኣታትዉን እዮም። 37 ምዉታት ከም ዚትንስኡ ግና፡
ሙሴ ድማ ኣብቲ ኣኻኸ ቈጥቋጥ ንእግዝኣብሄር ኣምላኽ ኣብርሃምን ኣምላኽ ይስሃቅን ኣምላኽ
ያእቆብን ብምባሉ ኣርኣየ። 38 ንእኡ ዅሎም ህያዋን እዮም እሞ፡ ንሱስ ናይ ህያዋን እምበር፡ ናይ
ምዉታት ኣምላኽ ኣይኰነን። 39 ሓይሎ ኻብ ጸሓፍቲ ኸኣ፥ መምህር፡ ጽቡቕ ተዛሪብካ፡ ኢሎም
መለሰሉ። 40 ድሕርዚ ገለ ኺሐትዎ እኳ ኣይደፈሩን። 41-43 ንሱ ድማ፡ ዳዊት ባዕሉ ኣብ መጽሓፍ
መዝሙራት፥ ጐይታ ንጐይታይ፥ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡
በሎ፡ ይብል እዩ እሞ፡ ከመይ ኢሎም ደኣ እዮም፥ ክርስቶስ ወዲ ዳዊት እዩ ዚብሉ፧ 44 እምብኣርሲ
ዳዊት ጐይታይ ካብ ዚብሎ፥ ከመይ ኢሉ ደኣ ወዱ ይኸውን፧ በሎም። 45 ብዘሎ እቲ ህዝቢ ኺሰምዕ
ከሎ ኸኣ፡ ንደቀ መዛሙርቱ፥ 46 ወለል ብዚብል ክዳውንቲ ምዝዋር ካብ ዚደልዩ፡ ኣብ ዕዳጋ ምስላም፡
ኣብ ቤት ጸሎትውን ኣውራ መቐመጢ፡ ኣብ ምሳሕ ከኣ ኣውራ ስፍራ ኻብ ዚፈትዉ ጸሓፍቲ
ተጠንቀቑ። 47 እቶም ኣባይቲ መበለታት ዚውሕጡ፡ ንምኽንያትውን ጸሎት ዜንውሑ፡ ንሳቶም ዝገደደ
ፍርዲ ኺረኽቡ እዮም፡ በሎም።

# ምዕራፍ 21

1 ቀኒሒ ኢሉ፡ ሃብታማት መባኦም ኣብቲ ሳጹን ምጽዋት ከመይ ገይሮም ከም ዜውድቑ ረኣየ። 2 ሓንቲ
ድኻ መበለት ከኣ ኣብኡ ኽልተ ለብጦን ከተውድቕ ከላ ረኣየ እሞ፥ 3 ካብ ኵላቶም እዛ ድኻ መበለት
እዚኣ ኣብዚሓ ኸም ዘውደቐት፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 4 እዚኣቶምሲ ዅላቶም መባእ ካብ ተረፎም
እዮም ዘውድቑ፡ እዚኣ ግና ካብ ስእነታ ዘለዋ ዅሉ ምግባ እያ ዘውደቐት፡ በለ። 5 ሓያሎ ብዛዕባ ቤተ
መቕደስ፡ ብጽቡቕ ኣእማንን ብዘውደቕዎ ስልማትን ተሰሊሙ ኸም ዘሎ፡ ኪዛረቡ ኸለዉ፡ ንሱ፡ 6 እዚ
እትርእይዎ ዘሎኹም፡ ዘይፈርስ እምኒ ኣብ ልዕሊ እምኒ ዘይተርፈሉ መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ በለ። 7
ንሳቶም ከኣ፥ ዎ መምህር፡ እዚ መኣዝ እዩ ዚኸውን፡ ኣጋ እዚ ዚኾነሉኸ ትእምርቱ እንታይ እዩ፡
ኢሎም ሐተትዎ። 8 ንሱ ኸኣ፥ ኣነ እየ፡ እቲ ዘመን ከኣ ቀሪቡ እዩ፡ እናበሉ ብዙሓት ብስመይ ኪመጹ
እዮም እሞ ደድሕሪኦም ኣይትስዓቡ፡ ከይትስሕቱ ተጠንቀቑ። 9 ብዛዕባ ውግእን ዕልወትን እንተ
ሰማዕኩም፡ ኣይትሰምብዱ። እዚ ቕድም ኪኸውን ብግዲ እዩ እሞ፡ መወዳእታ ግና ብኡብኡ ኣይከውንን
እዩ፡ በለ። 10 ሽዑ በሎም፥ ህዝቢ ናብ ህዝቢ መንግስቲውን ናብ መንግስቲ ኺለዓል እዩ። 11 ኣብ በቦታኡ
ድማ ጥሜትን ፌራን ዓብዪ ምንቅጥቃጥ ምድርን ኪኸውን፡ ካብ ሰማይውን መፍርህን ዓብዪ
ትእምርትን ኪኸውን እዩ። 12 ቅድሚ ዅሉ ኸኣ ኪሕዙኹምን ኪሰጉኹምን እዮም። ስለ ስመይ ከኣ ናብ
ቤት ጸሎትን ናብ ቤት ማእሰርትን ኪወስዱኹም፡ ናብ ነገስታትን ሹማትን ኬብጽሑኹም እዮም። 13
እዚ ንምስክር ኪኾነኩም እዩ። 14-15 ኣነ ንዅሎም መኻራኽርትኹም ምቅዋሙን ምምጓቱን ዘይከኣሎም

ኣፍን ጥበብን ክህበኩም እየ እሞ፡ ስለዚ ኸመይ ከም እትመልሱ፡ ቅድም ከይትሐልዩ፡ ኣብ ልብኹም
ኣንብርዎ። 16 ወለድን ኣሕዋትን ኣዝማድን ኣዕሩኽን ኣሕሊፎም ኪህቡኹም፡ ካባካትኩምውን ንሓያሎ
ኪቐትሉ እዮም። 17 ስለ ስመይ ከኣ ኵሉ ኺጸልኣኩም እዩ። 18 ግናኸ ኻብ ርእስኹም ሓንቲ ጸጕሪ እኳ
ኣይክትጠፍእን እያ። 19 ንነፍስኹም ብትዕግስትኹም ከተጥርይዋ ኢኹም። 20 የሩሳሌም ብሰራዊት
ተኸቢባ እንተ ርኤኹም፡ ሽዑ ጥፍኣታ ኸም ዝቐረበ ፍለጡ። 21 ሽዑ ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ናብ ኣኽራን
ይህደሙ፡ ኣብ ውሽጣ ዘለዉ ኸኣ ካብኣ ይውጽኡ፡ ኣብ ሃገረ ሰብ ዘለዉውን ናብኣ ኣይእተዉ። 22 እዚ፡
እቲ ጽሑፍ ዘበለ ምእንቲ ኺፍጸምሲ፡ ወርሓት ሕነ እዩ። 23 በተን መዓልትታት እቲኣተን ግና ንጥኑሳትን
ንዜጥብዋን ወይለኤን። ኣብ ምድሪ በርቱዕ መከራ ኪኸውን እዩእሞ፡ ኣብዚ ህዝቢ እዚ ድማ መዓት
ኪወርድ እዩ። 24 ብስሕለት ሰይፊ ኺወድቁ፡ ናብ ኵሎም ኣህዛብውን ኪማረኹ እዮም። ዘመናት ኣህዛብ
ክሳዕ ዝፍጸም፡ የሩሳሌም በህዛብ ክትርገጽ እያ። 25 ኣብ ጸሓይን ወርሕን ከዋኽብትን ከኣ ትእምርቲ
ኪኸውን እዩ። ኣብ ምድሪውን ጸበባ ኣህዛብ ኪኸውን፡ ብደሃይ ባሕርን ማዕበልን ከኣ ዚገብርዎ
ኺጠፍኡም እዩ። 26 ሕያሊ ሰማያት ኬንቀጥቅጥ እዩ እሞ፡ ብፍርሃትን ኣብ ዓለም ብዚመጽእ ምጽባይን
ነፍሲ ሰብ ክትወጽእ እያ። 27 ሽዑ ንወዲ ሰብ፡ ምስ ብዙሕ ሓይልን ግርማን ብደበና ሰማይ ኪመጽእ
ከሎ፡ ኪርእይዎ እዮም። 28 እዚ ምዂን ምስ ጀመረ፡ ምድሓንኩም ቀሪቡ እዩ እሞ፡ ቅንዕ በሉ
ርእስኹምውን ኣልዕሉ። 29 ሓደ ምስላ ድማ ነገሮም፥ ኣብ ኦም በለስን ኣብ ኵሉ ኦምን ርኣዩ። 30
ምጥጣዑ ኸትርእዩ ኸሎኹም፡ ክረምቲ ምቕራቡ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። 31 ከምኡ ድማ
ንስኻትኩም እዚ ኹይኑ ኽትርእዩ ኸሎኹም፡ መንግስቲ ኣምላኽ ምቕራባ ፍለጡ። 32 እዚ ዅሉ ኽሳዕ
ዚኸውን፡ እዚ ወለዶ እዚ ኸም ዘይሐልፍ ብሓቂ እብለኩም እሎኹ። 33 ሰማይን ምድርን ኪሐልፍ፡
ቃለይ ግና ኣይኪሐልፍን እዩ። 34-35 ግናኸ እታ መዓልቲ እቲኣ ኣብ ኵላ ዝባን ምድሪ ንዚነብሩ ዘበሉ
ኸም መፈንጠራ ኽትበጽሖም እያእሞ፡ ስስዔን ስኽራንን ሓልዮት ሓዳርን ንልብኹም ከይኸብድ፡ እታ
መዓልቲ እቲኣ ብድንገት ከይትመጻኩምሲ፡ ንነፍስኹም ተጠንቀቑ። 36 ስለዚ ካብዚ ዚመጽእ ኵሉ ነገር
ንምምላጥኩን ኣብ ቅድሚ ወዲ ሰብ ደው ንምባልን ሓይሊ ምእንቲ ኽትረክቡስ፡ ኵሉ ሳዕ እናጸለኹም
ንቕሑ። 37 መዓልተ መዓልቲ ኣብ ቤት መቕደስ ይምህር፡ ለይተ ለይቲ ኸኣ ኣብ ደብረ ዘይቲ ዚብሃል
ከረን ደዩቡ ይሐድር ነበረ። 38 ብዘሎ እቲ ህዝቢ ድማ ኣብ ቤተ መቕደስ ንእኡ ኺሰምዕ ናብኡ የንግህ
ነበረ።

## ምዕራፍ 22

1 ፋስጋ ዚብሃል በዓል ቅጫ ድማ ቐረበ። 2 ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ነቶም ህዝቢ ደኣ ፈሪሆም
እምበር፡ ከመይ ገይሮም ከም ዜጥፍእዎ ይደልዩ ነበሩ። 3 ሰይጣን ግና ናብቲ ኣስቆርታዊ ዚብሃል ይሁዳ
ኣተወ፡ ንሱ ኻብ ቍጽሪ እቶም ዓሰርተው ክልተ እዩ፡ 4 ከይዱ ኸኣ፡ ናብቶም ሊቃውንቲ ኻህናትን ሓላቑ
ሓለውቲ መቕደስን ከመይ ገይሩ ኸም ዜትሕዞ፡ ተዛረበ። 5 ተሐጕሶም ከኣ ኣቕራሽ ኪህብዎ ኣውዓሉሉ። 6
ንሱ ድማ ተሳማምዖም፡ ኣኬባ ህዝቢ ብዜብላ ጊዜ ኼትሕዞውን ምሽእቲ ጊዜ ይደሊ ነበረ። 7 እታ ገንሸል
ፋስጋ ኺሐርዱላ ዚግባእ መዓልቲ በዓል ቅጫ ኸኣ መጸት። 8 የሱስ ድማ ንጴጥሮስ ዮሃንስን፥ ኪዱ
ክንበልዕሲ ገንሸል ፋስጋ ኣዳልዉልና፡ ኢሉ ለኣኾም። 9 ንሳቶም ከኣ፥ ኣበይ ከነዳሉ ትፈቱ፧ በልዎ። 10
ንሱ ድማ በሎም፥ እንሆ፥ ኣብ ከተማ ምስ ኣቶኹም፡ ዕትሮ ማይ ዝጸረ ሰብኣይ ኪጓነፈኩም እዩ እሞ፡
ናብታ ዚኣትዋ ቤት ስዓብዎ። 11 ነቲ ብዓል ቤት ከኣ፥ እታ ምስ ደቀ መዛሙርተይ ገንሸል ፋስጋ ዝበልዓላ

ማሕደር ኣጋይሽሲ ኣበይ እያ፧ ይብለካ ኣሎ መምህር፡ በልዎ። [12] ንሱ ኸኣ እተነጽፈ ኣዳራሽ ኣብ ደርቢ
ኼርእየኩም እዩ፡ ኣብኡውን ኣዳልዉ። [13] ከይዶም ከምታ ዝበሎም ረኸቡ፡ ገንሸል ፋስጋውን ኣዳለዉ።
[14] እታ ሰዓት ምስ በጽሔት፡ ምስቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት ኣብ መኣዲ ተቐመጠ። [15-16] ንሱ ድማ፥
ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ክሳዕ ዚፍጸም፡ ደጊም ካብዚ ኸም ዘይበልዕ፡ እብለኩም ኣሎኹ እሞ፡ ቅድሚ
ስቓየይ ምሳኹም ገንሸል ፋስጋ ኽበልዕ፡ ብዙሕ ሃረር ኢለ ኣሎኹ፡ በሎም። [17-18] ጽዋእ ኣልዒሉ
ኣመስጊኑ ድማ፥ መንግስቲ ኣምላኽ ክሳዕ እትመጽእ፡ ካብዚ ፍረ ኣም ወይኒ ኸም ዘይሰቲ እብለኩም
ኣሎኹ እሞ፡ ውሰዱ፡ እዚ ንሓድሕድኩም ተማቐልዎ፡ በለ። [19] እንጌራ ኣልዒሉ ድማ ኣመስጊኑ ቈሪሱ፥
እዚ ምእንታኹም ዚውሃብ ዘሎ ስጋይ እዩ፡ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ፡ ኢሉ ሃቦም። [20] ከምኡ ድማ
ድሕሪ ድራር ነታ ጽዋእ ኣልዒሉ፥ እዛ ጽዋዕ እዚኣ እቲ ምእንታኹም ብዚፈስስ ዘሎ ደመይ እተገብረ
ሓድሽ ኪዳን እያ። [21] ግናኸ ኢድ እቲ ዜትሕዘኒ ኣብ መኣዲ ምሳይ እንሃ። [22] ወዲ ሰብሲ ኸምቲ
እተመደበሉ ይኸይድ እዩ፡ ነቲ ወዲ ሰብ ብእኡ ዚተሐዝ ሰብኣይ ግና ወይለኡ፡ በለ። [23] ካባታቶም እቲ
እዚኣ ዚገብር መን ምዃኑ ኸኣ፡ ንሓድሕዶም ኪማራመሩ ጀመሩ። [24] መኖም ዓብዪ መሲሉ ኸም ዚርኤ
ኸኣ፡ ኣብ ማእከሎም ክርክር ኰነ። [25] ሽዑ ንሱ በሎም፥ ነህዛብ ነገስታቶም እዮም ዚገዝእዎም፡ እቶም
ምልኪ ዘለዎም ከኣ ሕያዎት ይብሃሉ። [26] ንስኻትኩም ግና ከምኡ ኣይትኹኑ፥ እቲ ኣባኻትኩም ዓብይስ
ከም ንእሽቶ፡ እቲ ጐይታውን ከም ግዙእ ደኣ ይኹን። [27] እቲ ኣብ መኣዲ ዚቕመጥን እቲ ዜግልግለንከ
ኣየናዮም ይዓቢ፧ እቲ ኣብ መኣዲ ዚቕመጥ ደይኰነን፧ ኣነ ግና ኣብ ማእከልኩም ከም ኣገልጋሊ እየ። [28]
ንስኻትኩም ግና ብፈተና ምሳይ እተዓገስኩም ኢኹም። [29-30] ኣብታ መንግስተይ ኣብ መኣደይ ምእንቲ
ኽትበልዑን ክትሰትዩን፡ ኣብ ዝፋናት ተቐሚጥኩም ከኣ ንዓሰርተው ክልተ ነገድ እስራኤል
ክትፈርዱንሲ፡ ከምቲ ንኣይ ኣቦይ ዝመደበለይ፡ ንኣኻትኩም ከኣ ኣነ መንግስቲ መደብኩልኩም። [31]
ስምኦን፡ ስምኦን፡ እንሆ፡ ሰይጣን ከም ስርናይ ኪሐሕየኩም ተመነየ። [32] ኣነ ግና፡ እምነትካ ኸይትጠፍእ፡
ምእንታኻ ለመንኩ። ንስኻ ድማ ምስ ተመለስካ፡ ነሕዋትካ ኣጸናንዓዮም። [33] ንሱ ግና፥ ጐይታይ፡ ኣነስ
ንማእሰርቲ ኾነ ወይ ንሞት ምሳኻ ንምኻድ ተዳልየ ኣሎኹ፡ በሎ። [34] ንሱ ኸኣ፥ ጴጥሮስ፡ ከም
ዘይትፈልጠኒ ኢልካ ሰለሰተ ሳዕ ክሳዕ እትኽሕደኒ፡ ሎሚ ደርሆ ኸም ዘይነቅ፡ እብለካ ኣሎኹ፡ በሎ። [35]
ደሓር ከኣ፥ እቲ ብዘይ ማሕፉዳ፡ ብዘይ ስንቂ፡ ብዘይ ሳእኒ ምስ ለኣኽኩኹምሲ፡ ገለዶ ጐዲሉኩም፧
በሎም። ንሳቶም ከኣ፥ ሓንቲ እኳ በሉ። [36] በሎም፥ ሕጂ ግና ማሕፉዳ ዘልዎ ይማላእ፡ ከምእዉን ስንቂ።
እቲ ዜብሉ ኸኣ ክዳኑ ሸይጡ ሰይፊ ይሻየጥ፡ [37] ማለት እቲ ምስ ዓመጽቲ ተቘጽረ፡ ዚብል ጽሑፍ ኣባይ
ኪፍጸም ብግዲ እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ፡ እወ፡ እቲ ብዛዕባይ ቅድም እተባህለ ይፍጸም ኣሎ። [38] ንሳቶም
ከኣ፥ ጐይታይ፡ እንሆ፡ ኣብዚ ኽልተ ሰይፊ ኣሎ፡ በሉ። ንሱውን፥ ይኣክል፡ በሎም። [39] ወጺኡ ኸኣ
ከምታ ልማዱ ናብ ደብረ ዘይቲ ኸደ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱውን ሰዓብዎ። [40] ኣብታ ስፍራ ምስ በጽሔ
ኸኣ፥ ናብ ፈተና ኸይትኣትዉ፡ ጸልዩ፡ በሎም። [41] ንሱ ኸኣ ካባታቶም ዳርባ እምኒ ዚኣክል ርሒቑ
ተምበርኪኹ፥ [42] ኣቦይ፡ ፍቓድካ እንተ ኾይኑ፡ ነዛ ጽዋእ እዚኣ ካባይ ኣሕልፋ። ግናኸ ፍቓድካ እምበር፡
ፍቓደይሲ ኣይኹን፡ እናበለ ጸለየ። [43] ዜበርትዖ መልኣኽ ካብ ሰማይ ተራእዮ። [44] ጻዕረ ሞት ሒዝዎ፡
ኣጽኒዑ ይልምን ነበረ። ረሃጹ ኻኣ ከም ነጠቢ ደም ናብ ምድሪ ይነጥብ ነበረ። [45] ካብ ጸሎቱ ተንሲኡ
ናብቶም ደቀ መዛሙርቱ ምስ መጸ ድማ፡ ብጓሂ ረዚዞም፡ ደቂሶም ረኸቦም። [46] ንሱ ኸኣ፥ ከመይከ
እትድቅሱ፧ ናብ ፈተና ኸይትኣትዉስ፡ ተንሲእኩም ጸልዩ፡ በሎም። [47] ንሱ ኺዛረብ ከሎ፡ እንሆ፡ ብዙሕ
ህዝቢ መጸ፡ ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ይሁዳ ዚበሃል ድማ ቀቅድሚኦም ይኸይድ ነበረ፡ ንየሱስውን
ኪስዕሞ ቐረበ። [48] የሱስ ድማ፥ በል ይሁዳ፡ ንወዲ ሰብዶ ብምስዓም ተትሕዞ ኣሎኻ፧ በሎ። [49] እቶም

ኣማእኪሎምዎ ዘለዉ ኸኣ እቲ ዝኾነ ምስ ረኣዩ፥ ጐይታይ፡ ብሰይፊዶ ኽንወቅዕ፧ በልዎ። 50 ሓደ
ኻባታቶም ንባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ፡ የማነይቲ እዝኑ ቈረጾ። 51 የሱስ ከኣ፥ ክሳዕዚ ይብጽሑ
ሕደግዎም፡ ኢሉ መለሰሎም። እዝኑ ተንኪዩውን ኣሕወዮ። 52 የሱስ ነቶም ናብኡ ዝመጹ ሊቃውንቲ
ኻህናትን ሓላቑ ሓለውቲ ቤተ መቕደስን ዓበይትን፥ ከም ናብ ከታሪዶ ኣስያፍን ኣባትርን ሒዝኩም
ወጻእኩም፡ 53 ኣብ ቤተ መቕደስ ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም ነይረ፡ ኣእዳውኩም እኳ ወስ
ኣየበልኩምለይን። እዚኣ ግና ጊዜኹምን ስልጣን ጸልማትን እያ፡ በሎም። 54 ሒዞም ከኣ ወሰድዎ፡ ናብ
ቤት ሊቀ ኻህናትውን ኣእተውዎ። ጴጥሮስ ከኣ ርሒቕ ኢሉ ይስዕቦ ነበረ። 55 ኣብ ማእከል እቲ መከበባያ
ከኣ ሓዊ ኣንዲዶም ብሓንስእ ተቐሚጦም ከለዉ፡ ጴጥሮስ ኣብ ማከሎም ተቐመጠ። 56 ሓንቲ ገረድ ኣብ
ጥቓ እቲ ሓዊ ተቐሚጡ ምስ ረኣየቶ፡ ጠሚታቶ፥ እዚውን ምስኡ ነይሩ እዩ፡ በለት። 57 ንሱ ግና፡ ኣቲ
ሰበይቲ፡ ኣይፈልጦን እየ ኢሉ ኸሐደ። 58 ቅሩብ ጽንሕ ኢሉ ኸኣ፡ ሓደ ኻልእ ርእዩዎ፥ ንስኻውን
ካባታቶም ኢኻ፡ በለ። ጴጥሮስ ግና፥ ኣታ ሰብኣይ፡ ኣይፉለይን፡ በለ። 59 ሓንቲ ሰዓት እትኣክል ምስ
ሐለፈት ከኣ፡ ሓደ ኻልእ፥ እዚ ድማ ብሓቂ ምስኡ ነይሩ እዩ፡ ገሊላዊ ኸኣ እዩ፡ ኢሉ ኣርጊጹ ተዛረበ። 60
ጴጥሮስ ድማ፡ ኣታ ሰብኣይ፡ እዚ እትብሎ ዘሎኻ ኣይፈልጦን እየ፡ በሎ። ሽዑ ገና እዚኣ ክኣዛረብ ከሎ፡
ብኡብኡ ደርሆ ነቀወ። 61 ጐይታ ኸኣ ግልጽ ኢሉ ንጴጥሮስ ጠመቶ። ጴጥሮስ ከኣ፥ ሎሚ ደርሆ
ኸይነቀወ፡ ሰለስተ ሳዕ ክትክሕደኒ ኢኻ፡ ዝበሎ ቓል ጐይታ ዘከረ፡ 62 ናብ ወጻኢ ከይዱውን መሪር
ብኽያት በኸየ። 63 እቶም ንየሱስ ዝሐዝዎ ሰባት ድማ የላግጹሉን ይወቕዕዎን ነበሩ። 64 ሸፊኖም ድማ ገጹ
ይጸፍዕዎ፥ እስኪ ተነበየልና፡ መን እዩ ዝጸፍዓካ፡ እናበሉውን ይሐትዎ ነበሩ። 65 እናጸረፍዎ ኸኣ ብዙሕ
ካልእ ነገር በልዎ። 66-67 ምድሪ ምስ ወግሐ፡ ዓበይቲ ህዝብን ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ተኣኪቦም፥
ንስኻ እቲ ክርስቶስ እንተ ኼንካስ፡ እስኪ ንገረና፡ ኢሎም ናብ ዋዕላኦም ወሰድዎ። ንሱ ኸኣ፥ እንተ
ነገርኩኹም፡ ኣይትኣምኑን፡ 68 እንተ ሐተትኩኹም ድማ፡ ኣይትምልሱለይን ኣይትፈትሑንንውን
ኢኹም። 69 ወዲ ሰብ ግና ካብ ሕጂ ኣብ የማን ሓይሊ ኣምላኽ ኪቕመጥ እዩ፡ በሎም። 70 ኵሎም ከኣ፥
እምብኣርከ ንስኻስ ወዲ ኣምላኽ ኢኻ፧ በልዎ። ንሱ ኸኣ፥ ኣነ ኽምኡ እየ እሞ፡ ንስኻትኩም እኳ ትብሉ
ኣሎኹም፡ በሎም። 71 ንሳቶም ከኣ፥ ባዕላትና ኻብ ኣፉ ድሕሪ ሰማዕናኸ፡ ደጊም እንታይ ምስክር
የድልየና፧ በሉ።

# ምዕራፍ 23

1 እቶም እተኣከቡ ዅላቶም ተንሲኦም፡ ናብ ጲላጦስ ወሰድዎ። 2 ንሳቶም ከኣ፥ እዚ፡ ንህዝብና
ኼስሕቶም፡ ንቄሳር ግብሪ ኸይግብሩ ኸኣ ኪኽልክሎም፡ ርእሱ፥ ክርስቶስ ንጉስ እየ፡ ኢሉውን
ኪዛረቦም ከሎ ረኺብናዮ፡ ኢሎም ኪኸስዎ ጀመሩ። 3 ጲላጦስ ከኣ፥ ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ፧ ኢሉ
ሐተቶ። ንሱ ድማ፥ ንስኻ እኳ ትብል ኣሎኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 4 ጲላጦስ ድማ ንሊቃውንቲ ኻህናትን
ነቶም ሰብን፥ ኣብዚ ሰብኣይዚ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩን፡ በሎም። 5 ንሳቶም ግና፥ ካብ ገሊላ ሒዙ
ኽሳዕ ኣብዚ ኣብ ብዘላ ይሁዳ እናመሃረ ንህዝቢ የባዕድ ኣሎ፡ ኢሎም ወዓዩ። 6 ጲላጦስ ከኣ ገሊላ
ኺብሉ ምስ ሰምዔ፡ ገሊላዊ እንተ ኾይኑ ሐተተ። 7 ካብ ግዝኣት ሄሮድስ ምዃኑ ምስ ፈለጠ ድማ፡ ናብ
ሄሮድስ ሰደዶ። ንሱውን በታ ቕነ እቲኣ ኣብ የሩሳሌም ነበረ። 8 ሄሮድስ ንየሱስ ምስ ረኣየ፡ ብዛዕባኡ
ብዙሕ ነገር ስለ ዝሰምዔ፡ ካብ ነዊሕ ጊዜ ሒዙ ኺርእዮ ይደሊ ነበረ፡ ንሱ ዚገብሮ ተኣምራትውን
ኪርኢ ይጽበ ነበረ እሞ፡ ኣዝዩ ተሐጐሰ። 9 ብናይ ብዙሕ ነገር ከኣ ሐተቶ፡ ንሱ ግና ሓንቲ እኳ

ኣይመለሰሉን። 10 ሊቃውንቲ ኻህናትን ጸሓፍትን ከኣ ደው ኢሎም ኣበርቲዖም ይኸስዎ ነበሩ። 11
ሄሮድስ ድማ ምስ ገላዉኡ ኹይኑ ኣቃለሎን ኣላገጸሉን፡ ብርቕርቕ ዚብል ክዳን ከዲኑ ኸኣ ናብ ጲላጦስ
መሊሱ ሰደዶ። 12 ቀደም ጲላጦስን ሄሮድስን ጽልኢ ነይሮምሲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ተፋቐሩ። 13
ጲላጦስ ግና ንሊቃውንቲ ኻህናትን ንዓበይትን ንህዝብን ብሓባር ጸዊዑ፥ 14 ነዚ ሰብኣይ እዚ፥ ንህዝቢ
የስሕት ኣሎ፡ ኢልኩም ናባይ ኣምጺእኩምዎ፡ እንሆ፡ ኣብ ቅድሜኹም መርሚረዮስ፡ በዚ እትኸስዎ
ዘሎኹም ነገር ኣብዚ ሰብኣይ እዚ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩን። 15 ሄሮድስውን ከምኡ፡ ንሱ መሊሱ
ናባና ሰዲድዎ እዩ እሞ፡ እንሆ፡ ናብ ሞት ዜብጽሕ ነገር ሓንቲ እኳ ኣይገበረን። 16 ደጊም ቀጺዔ ኽፈትሖ
እየ፡ በሎም። 17 በብበዓል ግና ሓደ እሱር ኪፈትሓሎም ልማድ ነበረ። 18 እቶም ህዝቢ ድማ ኵሎም፥ ነዚ
ንየው በሎ፡ ንበርባን ደኣ ፍትሓልና፡ ኢሎም ሓቢሮም ጨደሩ። 19 በርባን ብምብዓድ ከተማን
ብምቕታል ንፍስን ተኣሲሩ ዝነበረ እዩ። 20 ጲላጦስ ድማ ንየሱስ ኪሰዶ ደልዩ፡ ከም ብሓድሽ ተዛረቦም።
21 ንሳቶም ግና፥ ስቐሎ፡ ስቐሎ፡ ኢሎም ጨደሩ። 22 ሳልሳይ ጊዜ ኸኣ፥ እንታይ ክፉእከ ገበረ፡ ንሞት
ዚኸውን ምኽንያት ኣይረኸብኩሉን። ቀጺዔ ግዳ ኽፈትሖ፡ በሎም። 23 ንሳቶም ግና ኣዝዮም ዓው
ኢሎም ኪሰቕሎ ኣጽኒዖም ለመንዎ እሞ ቃሎም ሰዓረ። 24 ጲላጦስ ድማ ልማኖኦም ኪኾነሎም ፈረደ።
25 ነቲ ዝለመንዎ ብምብዓድን ብምቕታልን ተኣሲሩ ዝነበረ ፈትሓሎም፡ ንየሱስ ግና ንፍቓዶም ኣሕሊፉ
ሃቦ። 26 ሒዞምዎ ኪኸዱ ኸለዉ ኸኣ፡ ንስምኦን ቀሬናዊ ካብ በረኻ ኪኣቱ ኸሎ፡ ሐዝዎ። ደድሕሪ የሱስ
ኪጸውር ከኣ እቲ መስቀል ኣሰከምዎ። 27 ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ይስዕቦ ነበረ፡ ኣንስቲውን ዋይዋይ ይብላሉን
ይበኽያሉን ነበራ። 28-29 የሱስ ድማ ናባታተን ግልጽ ኢሉ፥ ኣትን ኣዋልድ የሩሳሌም፡ ኣካ እዝጊ ሃባ እታ
መኻን ዘይወለደት ከርስን ዘየጥበዋ ኣጥባትን፡ ዚብሉለን መዓልትታት ኪመጻ እየን እሞ፡ ንርእስኽንን
ንደቕኽንን ደኣ ብኸያ እምበር፡ ንኣይሲ ኣይትብከያለይ። 30-31 ኣብ ጥሉል ኦም ከምዚ ኻብ ገበሩስ፡
ኣብቲ ንቑጽ ደኣ ኸመይ ኪኸውን እዩ፡ ሽዑ ነኽራን ኣብ ልዕሌና ውደቑ፡ ንኹርባታትውን ከውሉና
ምባል ኪጅምሩ እዮም፡ በለን። 32 ንኽልተ ኻልኦት ገበርቲ ኽፉእውን ምስኡ ኺስቀሉ ኣምጽእዎም። 33
ቀራንዮ ኣብ እትብሃል ስፍራ ምስ በጽሑ፡ ኣብኡ ሰቐልዎ። ነቶም ገበርቲ ኽፉእ ከኣ ሓደ ብየማኑ
ሓደውን ብጸጋሙ ሰቐልዎም። 34 የሱስ ድማ፥ ኣቦይ፡ ዚገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም እሞ፡ ሕደገሎም፡
በለ። ንኽዳውንቱ ኸኣ ዕጭ ኣውዲቕም ተማቐልዎ። 35 እቲ ህዝቢ ደው ኢሉ ይርኢ ነበረ፡ እቶም
ዓበይቲውን ምሳታቶም ኰይኖም፥ ንኻልኦት ኣድሒኑ፡ ንሱ ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ሕሩይ እንተ
ኾይኑስ፡ ርእሱ የድሕን፡ እናበሉ የላግጹሉ ነበሩ። 36-37 እቶም ጭፍራውን የላግጹሉ ነበሩ፡ ናብኡ
ቐሪቦም ድማ፥ ንስኻ ንጉስ ኣይሁድ እንተ ኴንካስ ርእስኻ ኣድሕን፡ እናበሉ መጺጽ ኣምጽኡሉ። 38 ኣብ
ልዕሊ ርእሱ ኸኣ፥ እዚ ንጉስ ኣይሁድ እዩ፡ ዚብል ጽሕፈት ነበረ። 39 ካብቶም እተሰቕሉ ገበርቲ
ኽፉእውን ሓደ፥ ንስኻ ክርስቶስ እንተ ኴንካ፡ ንርእስኻን ንኣናን ኣድሕን፡ ኢሉ የላግጸሉ ነበረ። 40 እቲ
ኻልኣዩ ግና፥ ኣታ ኣብዚ ኸምዚ ዝበለ ፍርዲ ኸሎኻስ፡ ኣምላኽዶ ኣይትፈርህን ኢኻ፧ 41 ንሕናስ ብሓቂ
ብግብርና ዚግብኣና ተፈዴና፡ እዚ ግና ሓንቲ ኽፍእቲ እኳ ኣይገበረን፡ ኢሉ ገንሖ። 42 ንየሱስ ከኣ፥
ጐይታይ፡ ብመንግስትኻ ምስ እትመጽእ ዘክረኒ፡ በሎ። 43 የሱስ ድማ፥ ሎሚ ምሳይ ኣብ ገነት ከም
እትኸውን፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ በሎ። 44 ካብ ጊዜ ሳድሰይቲ ሰዓት ኽሳዕ ታስዐይቲ ሰዓት ኣብ ኵላ
ምድሪ ጸልማት ኰነ። 45 ጸሓይ ጸልመተት፡ መጋረጃ መቕደስ ኣብ ክልተ ተተርተረ። 46 የሱስ ብዓብዪ
ድምጺ፥ ኣቦይ፡ ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኤማዕቍባ ኣሎኹ፡ ኢሉ ጨርሔ። እዚ ምስ በለ፡ ነፍሱ ወጸት። 47
እቲ ሓለቓ ሚእቲ ግና እቲ ዝኾነ ምስ ረኣየ፥ እዚ ሰብኣይ እዚ ጻድቕ ነይሩ፡ ኢሉ ንኣምላኽ ኣመስገኖ።
48 እቶም ኪርእዩ እተኣከቡ ህዝቢ ድማ እቲ ዝኾነ ምስ ረኣዩ፡ ኣፍ ልቦም እናወቕዑ ተመልሱ። 49

እቶም ዘፈልጥዎ ኹሎምን እተን ካብ ገሊላ ዝሰዓብኦ ኣንስትን ከኣ ብርሑቕ ደው ኢሎም ነዚ ይጥምቱ
ነበሩ። [50-51] እንሆ፡ ዮሴፍ ዝስሙ መኻሪ፡ ብዓል ኣርማትያስ ከተማ ኣይሁድ፡ ሕያዋይን ጻድቕን ሰብኣይ
ነበረ። ንሱ ንመንግስቲ ኣምላኽ ደኣ ይጽበያ ነበረ እምበር፡ ኣብቲ ምኽሮምን ግብሮምን ኣይተጸምበረን።
[52] ንሱ ናብ ጲላጦስ ከይዱ ስጋ የሱስ ለመኖ። [53] ኣውሪዱ ብበፍታ ገነዞ፡ ሰብ ኣብ ዘይተቐብሮ ኣብ
ውቕሮ መቓብር ከኣ ኣእተዎ። [54] መዓልቲ ምድላው፡ ድሮ ሰንበት ነበረት። [55] እተን ካብ ገሊላ ምስኡ
ዝመጻ ኣንስቲ ድማ ስዒበን፡ መቓብሩን ስጋኡ ከኣ ኸመይ ከም እተነብረን ረኣያ። [56] ተመሊሰን ከኣ ሽቱን
ቅዱይ ቅብኣን ኣዳለዋ። ግናኸ ከምቲ ትእዛዝ ሕጊ ብሰንበት ዓረፋ።

## ምዕራፍ 24

[1] በታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን እቲ ዘዳለዋኦ ሽቱ ሒዘን፡ ካልኦትውን ምሳታተን ኣንጊሄን ናብቲ
መቓብር መጻ። [2] እቲ እምኒ ኸኣ ካብቲ መቓብር ተገልቢጡ ረኸባኦ። [3] ኣብኡ ኣትየን ከኣ ስጋ ጐይታና
የሱስ ኣይረኸባን። [4] ኰነ ድማ፡ ብዛዕባዚ ኺግረማ ኸለዋ፡ እንሆ፡ ብርቕርቕ ዚብል ክዳውንቲ እተኸድኑ
ኽልተ ሰብኣይ ኣብ ቅድሚኤን ደው በሉ። [5] ፈሪሄን ገጸን ናብ ምድሪ ምስ ኣድነና ኸኣ፡ ንሳቶም፥
ንምንታይከ ነቲ ህያው ኣብ ማእከል ምዉታት ትደልያኦ ኣሎኽን፧ [6-7] ንሱስ ተንሲኡ፡ ኣብዚ የሎን። ነቲ
ኣብ ገሊላ ኸሎ፥ ወዲ ሰብ ኣብ ኢድ ሓጥኣን ኪውሃብን ኪስቀልን ብሳልሰይቲ መዓልቲ ኪትንስእን
ብግዲ እዩ፡ ኢሉ ዝነገረክን ዘክራኦ፡ በልወን። [8] ነቲ ዘረባኡ ኸኣ ዘከራኦ። [9] ካብቲ መቓብር ተመሊሰን
ድማ፡ እዚ ኹሉ ነቶም ዓሰርተው ሓደን ነቶም ካልኦት ኵሎምን ነገራኦም። [10] እተን እዚ ንሃዋርያት
ዝነገራ ድማ ማርያም ብዓልቲ መግደላን ዮሃናን ማርያም ኣደ ያእቆብን ምሳታተንውን ካልኦት ኣንስትን
እየን። [11] እዚ ዘረባዚ ኣብ ቅድሚኦም ከም ዕሽነት መሲሉ ተራእይዎምሲ ኣይኣመንወንን። [12] ጴጥሮስ ግና
ተንሲኡ ናብቲ መቓብር ጐየየ። ድንን እንተ በለ ኸኣ፡ እቲ መግነዝ ጥራይ ተነቢሩ ረኣየ። በቲ ዝኾነ
ብልቡ እናተገረመውን ናብ ቤቱ ተመልሰ። [13] እንሆ ኸኣ በታ መዓልቲ እቲኣ ኽልተ ኻባታቶም ካብ
የሩሳሌም ስሳ እስታድዮስ ዝምርሓቓ ኤማሁስ ናብ እትብሃል ዓዲ ይኸዱ ነበሩ። [14] ንሳቶም ከኣ በቲ
ዝኾነ ኹሉ ነገር ንሓድሕዶም ይዛራረቡ ነበሩ። [15] ኰነ ድማ፡ ኪዛራረቡን ኪማራመሩን ከለዉ፡ የሱስ
ባዕሉ ቐሪቡ ምሳታቶም ከደ። [16] ከየለልይዎ ግና ኣዒንቶም ተሰዊረን ነበራ። [17] ንሱ ድማ፡ እዚ
እናኸድኩምን እናጐሄኹምን ንሓድሕድኩም እትዛራረብዎ ዘሎኹም ዘረባስ እንታይ እዩ፧ በሎም። [18]
እቲ ሓደ ካብኦም ቀለዮጳ ዝስሙ፥ በዘን መዓልትታት እዚኣተን ነዚ ኣብ የሩሳሌም ዝኾነ ነገር
ዘይትፈልጥሲ፡ ንስኻ በይንኻዶ ኣብኣ ጋሻ ኢኻ፧ ኢሉ መለሰሉ። [19] ንሱ ኸኣ፥ እንታይ እዩ፧ በሎም።
ንሳቶም በልዎ፥ እዚ ናይ የሱስ ናዝራዊ ነገር፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኵሉ ህዝብን ብግብርን ቃልን ከኣሊ
ነብዩ ዝነበረ ሰብኣይ፡ [20] ሊቃውንቲ ኻህናትን ዓበይትናን ንፍርዲ ሞት ኣሕሊፎም ከም ዝሃብዎን ከም
ዝሰቐልዎን፡ [21] ንሕና ግና፥ እቲ ንእስራኤል ዜድሕን ንሱ እዩ፡ ኢልና ተስፋ ንገብር ኔርና። ምስናይ እዚ
ኹሉ ኸኣ እዚ ኻብ ዚኸውን ሎሚ ሳልሰይቲ መዓልቲ እያ። [22] ግናኸ ካባታትና ኣንስቲ ናብ መቓብር
ኣንጊሄን ነበራ እሞ ኣስተንከራና። [23] ስጋኡ ምስ ሰኣና ኸኣ፡ ህያው ምዃኑ ዝነገርወን ራእይ መላእኽቲ
ኸም ዝረኣያ፡ መጺኤን ነገራና። [24] ካባና ገለ ሰባት ናብ መቓብር ከዱ፡ ከምቲ እተን ኣንስቲ ዝበላኦ
ኾይኑ ረኸቡ፡ ንእኡ ግና ኣይረኣይዎን። [25] ንሱ ድማ፥ ኣቱም፡ ነብያት ብተዛረብዎ ኹሉ ንምእማን
ልቦም ዝደንጐየ ዓያሱ፡ [26] ክርስቶስ እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ኺጸግብ እሞ ናብ ክብረቱ ኺኣቱ ናይ ግዲ
ደይኰነን፧ በሎም። [27] ካብ ሙሴን ኵሎም ነብያትን ሒዙ ኸኣ እቲ ብዛዕባኡ ኣብ ኵሉ ጽሑፋት ዘሎ

ኺትርጕመሎም ጀመረ። 28 ናብታ ዚኸድዋ ዘለዉ ዓዲ ምስ ቀረቡ ኸኣ፡ ከም ዚሐልፍ መሰለ። 29
ንሳቶም ግና፥ መስዩ እዩ፡ ጸሓይውን ዓሪባ እያ እሞ፡ ምሳና ሕደር፡ ኢሎም ተጋደልዎ። ንሱ ኸኣ
ምሳታቶም ኪሐድር ኣተወ። 30 ኰነ ድማ፡ ምሳታቶም ኣብ መኣዲ ምስ ተቐመጠ፡ እንጌራ ኣልዒሉ ባረኸ
ቈሪሱውን ሃቦም። 31 ሽዑ ኣዒንቶም ተኸፍታ እሞ ኣለለይዎ፡ ንሱ ግና ካባታቶም ተሰወረ። 32
ንሓድሕዶም ከኣ፥ እቲ ኣብ መገዲ ኺዛረበናን እተን ጽሑፋት ኪትርጕመልና ከሎዶ ግዳ ልብና ይነደና
ኣይነበረን፡ ተባሃሃሉ። 33 በታ ሰዓት እቲኣ ተላዒሎም ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። ነቶም ዓሰርተው ሓደን
ነቶም ምሳታቶም ዘለዉን ከኣ ተኣኪቦም ረኸብዎም። 34 ንሳቶም ከኣ፡ ጐይታ ብሓቂ ተንሲኡ፡ ንስምኦን
እኳ ተራእይዎ፡ በሉ። 35 እቶም ካልኦት ድማ፡ እቲ ኣብ መገዲ ዝዀነን እንጌራ ምስ ቈረሰ ኸኣ ከመይ
ከም ዘለልይዎን፡ ነገርዎም። 36 እዚ ኺዛራረቡ ኸለዉ ኸኣ፡ የሱስ ባዕሉ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ፡
ሰላም ናኣኻትኩም ይኹን፡ በሎም። 37 ንሳቶም ድማ መንፈስ ዝረኣዩ መሲልዎም፡ ፈሪሆም ሰምበዱ። 38
ንሱ ኸኣ፡ እንታይ ኼንኩም ኢኹም እትስምብዱ፡ ከምዚ ዝበለ ሓሳብከ ስለምንታይ ኣብ ልብኹም
ይለዓል፧ 39 ኣነ ባዕለይ ምዃነይ ኣእዳወይን ኣእጋረይን ርኣዩ። ከምዚ ንኣይ ዘሎኒ እትርእይዎ ዘሎኹም፡
ንመንፈስሲ ስጋን ዓጽምን የብሉን እሞ፡ ኣረምሲስኩም ርኣዩኒ፡ በሎም። 40 እዚ ኢሉ ኣእዳዉን ኣእጋሩን
ኣርኣዮም። 41 ንሳቶም ከኣ ተገሪሞም፡ ብሓጐሶም ምኽንያት ገና ምእማን ስለ ዝሰኣኑ፡ ንሱ፥ ገለ
ዚብላዕዶ ኣብዚ ኣሎኹም፡ በሎም። 42 ንሳቶም ከኣ ምቃል ጥቡስ ዓሳን ጐኖ መዓርን ሃብዎ። 43 ተቐቢሉ
ኣብ ቅድሚኦም በልዔ። 44 ንሱ ድማ፥ እዚ እቲ ምሳኻትኩም ከሎኹ፡ ኣብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን
መዝሙራትን ብዛዕባይ እተጻሕፈ ዅሉ ኺፍጸም ይግባእ እዩ፡ ኢለ ዝነገርኩኹም ቃለይ እዩ፡ በሎም። 45
ሽዑ ነተን ጽሑፋት ኬስተውዕልወን፡ ኣእምሮኦም ከፈተሎም እሞ፥ 46 ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ፡
ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ካብ ምዉታት ኪትንስእ፡ 47 ብስሙ ኸኣ ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ካብ
የሩሳሌም ጀሚሩ ኣብ ኵሎም ኣህዛብ ኪስበኽ፡ ጽሑፍ እዩ። 48 በዚ ንስኻትኩም ምስክር ኢኹም። 49
እንሆ፡ ኣነ ተስፋ ኣቦይ ክሰደልኩም እየ። ንስኻትኩም ግና ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኽሳዕ እትለብሱ፡ ኣብ
ከተማ የሩሳሌም ጽንሑ፡ በሎም። 50 ንወጻኢ ድማ ክሳዕ ቢታንያ ወሰዶም፡ ኢዱ ኣልዒሉውን ባረኾም።
51 ኰነ ድማ፡ ኪባርኾም ከሎ፡ ካባታቶም ተፈልየ፡ ናብ ሰማይውን ዓረገ። 52 ንሳቶም ከኣ ሰገድሉ፡
ብብዙሕ ሓጐስውን ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። 53 ንኣምላኽ እናወደሱን እናኣመስገኑን ከኣ ኵሉ ሳዕ ኣብ
ቤት መቕደስ ይነብሩ ነበሩ።

# ወንጌል ዮሐንስ

## ምዕራፍ 1

1 ቃል ብመጀመርታ ነበረ፡ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። እቲ ቓልውን ኣምላኽ ነበረ። 2 እዚ
ብመጀመርታ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። 3 ብእኡ ዅሉ ኰነ፡ ካብቲ ዝኾነ ዘበለ ድማ ብዘይ ብእኡ ዝኾነ
የልቦን። 4 ህይወት ኣብኡ ነበረት፡ እታ ህይወት ከኣ ብርሃን ሰብ ነበረት። 5 ብርሃንውን ኣብ ጸልማት
የብርሀ፡ ጸልማት ግና ኣይሓዞን። 6 ዮሃንስ ዝስሙ ሰብኣይ ካብ ኣምላኽ ተልኢኹ ተንስኤ። 7 ኵሎም
ብእኡ ናብ እምነት ምእንቲ ኺበጽሑ፡ ብዛዕባ ብርሃን ኪምስክር ንሱ ንምስክር መጸ። 8 ብዛዕባ ብርሃን
ደኣ ኺምስክር መጸ እምበር፡ ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን። 9 እቲ ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ዜብርህ ብርሃን ሓቂ
ናብ ዓለም ይመጽእ ነበረ። 10 ኣብ ዓለም ነበረ፡ ዓለምውን ብእኡ ኰነት፡ ዓለም ግና ኣይፈለጠቶን። 11
ናብቶም ናቱ መጸ፡ እቶም ናቱ ኸኣ ኣይተቐበልዎን። 12 ነቶም እተቐበልዎ ዘበሉ ዅሎም ብስሙ
ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ መሰል ሃቦም። 13 ንሳቶም ከኣ ካብ ኣምላኽ እምበር፡ ካብ ደም፡
ወይ ካብ ፍቓድ ስጋ፡ ወይ ካብ ፍቓድ ሰብኣይ ዘይተወልዱ እዮም። 14 እቲ ቓል ስጋ ኾነ፡ ጸጋን ሓቅን
መሊእዎ ኸኣ ኣባና ሐደረ። ክብረቱ ድማ ከም ክብሪ ናይቲ ሓደ ወዲ ነቦኡ ርኤና። 15 ዮሃንስ ብዛዕባኡ
መስከረ፡ እቲ ድሕረይ ዚመጽእ፡ ንሱ ቕድመይ ዝነበረ እዩ እሞ፡ ንሱ ቕድመይ ነበረ፡ እቲ ብዛዕባኡ
ዝበልኩ ንሱ እዩ፡ ኢሉ ጨደረ። 16-17 ሕጊ ብሙሴ ተውሂቡ እዩ እሞ፡ ጸጋን ሓቅን ግና ብየሱስ ክርስቶስ
መጸ። እምብኣርከ ንሕና ዅላትና ኻብ ምልኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና፡ 18 ሓደ እኳ ንኣምላኽ
ዝረኣዮ የልቦን፡ እቲ ኣብ ሕቝፊ ኣቦኡ ዘሎ ሓደ ወዲ፡ ንሱ ኣግሃዶ። 19 ኣይሁድ፥ ንስኻ መን ኢኻ፧
ኢሎም ኪሐትዎ፡ ካብ የሩሳሌም ካህናትን ሌዋውያንን ምስ ለኣዅሉ፡ ምስክር ዮሃንስ እዚ እዩ፥ 20
ንሱውን፥ ኣነስ ክርስቶስ ኣይኰንኩን፥ ኢሉ ተኣመነ እምበር፡ ኣይከሐደን። 21-22 ሽዑ ንሳቶም፡ መን ደኣ
ኢኻ፧ ነቶም ዝለኣኹና ምላሽ ምእንቲ ኽንህቦምሲ፡ ብዛዕባ ርእስኻ እንታይ ትብል፡ በልዎ። 23 ንሱ ኸኣ፥
ኣነስ፡ ከምቲ ነብዩ ኢሳይያስ፥ መገዲ እግዚኣብሄር ኣቕንዑ፡ ዝበሎ፡ ኣብ በረኻ ዚእውጅ ድምጺ እየ፡
በሎም። 24 እቶም ልኡኻት ካብ ፈሪሳውያን ነበሩ። 25 ንሳቶም ከኣ፥ እምብኣርሲ ክርስቶስ፡ ወይ ኤልያስ፡
ወይ እቲ ነብዩ ኻብ ዘይኰንካስ፡ ንምንታይ ደኣ ተጥምቕ ኣሎኻ፡ ኢሎም ሐተትዎ። 26 ዮሃንስ ድማ፥ ኣነ
ብማይ ኤጥምቕ ኣሎኹ፡ ግናኸ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ ኣብ ማእከልኩም ደው ኢሉ ኣሎ። 27 እቲ
ቕድመይ ዝነበረ ድሕረይ ዚመጽእ፡ ንሱ እዩ፡ ኣነ ስራኽ ኣሳእኑ ንምፍታሕ እኳ ዘይበቕዕ እየ፡ ኢሉ
መለሰ። 28 እዚ ኣብቲ ዮሃንስ የጥምቐሉ ዝነበረ፡ ኣብ ቢታንያ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ኰነ። 29 ንጽብሒቱ
ዮሃንስ ንየሱስ፡ ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ረኣየ እሞ፥ እንሆ፡ ሓጢኣት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡ በለ።
30 እቲ ብዛዕባኡ፥ ሓደ ሰብኣይ ድሕረይ ይመጽእ፡ ንሱ ቕድመይ ነይሩ እዩ እሞ፡ ንሱ ቕድመይ ኰነ፡
ዝበልክዎ እዚ እዩ። 31 ኣነ ድማ ኣይፈለጥክዎን፡ ንሱ ንእስራኤል ምእንቲ ኺግለጽ ግና፡ ኣነ ብማይ
እናኣጥመቕኩ መጻእኩ። 32 ዮሃንስ ድማ፡ መንፈስ ቅዱስ ካብ ሰማይ ከም ርግቢ ወሪዱ ኣብኡ ኪቕመጥ
ከሎ ርኤኹ፡ ኢሉ መስከረ። 33 እቲ ብማይ ከጥምቕ ዝለኣኸኒ ደኣ፥ እቲ፡ መንፈስ ቅዱስ ወሪዱ ኣብኡ
ኪቕመጥ ከሎ እትርእዮ፡ ንሱ እዩ ብመንፈስ ቅዱስ ዜጥምቕ፡ ኢሉኒ እምበር፡ ኣነስ ኣይፈለጥክዎን። 34
ኣነ ኸኣ ርኤኹ እሞ፡ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ መስከርኩ። 35 ንጽብሒቱ ድማ ዮሃንስ ምስ ክልተ ደቀ
መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ ደው ኢሉ ነበረ። 36 ንየሱስ ኪሐልፍ ከሎ ረኣዮ እሞ፥ እንሆ፡ ገንሸል ኣምላኽ፡

በለ። 37 እቶም ክልተ ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፡ እዚ ኺብል ከሎ ሰሚዖም፡ ንየሱስ ሰዓብዎ። 38 የሱስ ከኣ
ግልጽ ኢሉ ኺስዕብዎ ኸለዉ ርእዩ፥ እንታይ ትደልዩ አሎኹም፧ በሎም። ንሳቶም ድማ፥ ረቢ፡-
ትርጉሙ መምህር፡- ኣበይ ሰፈርካ አሎኻ፧ በልዎ። 39 ንሱ፥ ንዑ ርኣዩ፡ በሎም። መጺኦም ኣበይ ከም
ዝሰፈረ ረኣዩ፡ ሽዑ መዓልቲውን ምስኡ ወዓሉ። ኣስታት ዓሰረይቲ ሰዓት ኣቢላ ኸኣ ነበረት። 40 ካብቶም
ንዮሃንስ ሰሚዖም ንየሱስ ዝሰዓብዎ ኽልተስ እቲ ሓደ እንድርያስ ሓው ስምኦን ጴጥሮስ እዩ። 41 ንሱ
ቐድም ንሓዉ ስምኦን ረኺቦ እሞ፥ ንመሲሕ፡- ክርስቶስ ዝትርጉሙ፡- ረኺብናዮ፡ በሎ። 42 ናብ
የሱስውን ኣምጽኦ፡ የሱስ ከኣ ጠሚትዎ፥ ንስኻ ስምኦን ወዲ ዮና ኢኻ። ንስኻ ኬፋ ጴጥሮስ
ዝትርጉሙ፡- ክትብሃል ኢኻ፡ በሎ። 43 ንጽብሒቱ የሱስ ናብ ገሊላ ኪኸይድ ደለየ፡ ንፊልጶስ ከኣ ረኺቦ
እሞ፡ ስዓበኒ፡ በሎ። 44 ፊልጶስ ከኣ ብዓል ቤተ ስይዳ ዓዲ እንድርያስን ጴጥሮስን እዩ። 45 ፊልጶስ
ንናትናኤል ረኺቦ እሞ፥ እቲ፡ ሙሴ ኣብ ሕጊ ነብያትውን ብዛዕባኡ ዝጸሓፉ፡ የሱስ፡ ወዲ ዮሴፍ ብዓል
ናዝሬት፡ ረኺብናዮ፡ በሎ። 46 ናትናኤል ድማ፥ ካብ ናዝሬት ገለ ሰናይ ኪመጽእ ይከኣል እዩ፧ በሎ።
ፊልጶስውን፥ ንዓ ርኤ፡ በሎ። 47 የሱስ ንናትናኤል ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ምስ ረኣዮ፡ ብዛዕባኡ፥ እንሆ፡
ጕርሒ ዜብሉ ቕኑዕ እስራኤላዊ፡ በለ። 48 ናትናኤል፥ ኣበይ ትፈልጠኒ፧ በሎ። የሱስ ከኣ፥ ፊልጶስ
ከይጸውዓካ፡ ኣብ ትሕቲ በለስ ከሎኻ ርእየካ፡ ኢሉ መለሰሉ። 49 ናትናኤል ድማ፥ ረቢ፡ ንስኻ ወዲ
ኣምላኽ ኢኻ፡ ንስኻ ንጉስ እስራኤል ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 50 የሱስ ድማ፥ ኣብ ትሕቲ በለስ ርእየካ ስለ
ዝበልኩኻዶ ኣሚንካ፧ ካብዚ ዚዓቢ ነገር ክትርኢ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 51 ካብ ሕጂ ሰማይ ተኸፊቱ፡
መላእኽቲ ኣምላኽውን ናብ ልዕሊ ወዲ ሰብ ኪድይቡን ኪወርዱን ከም እትርእዩ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ
እብለኩም አሎኹ፡ በሎ።

## ምዕራፍ 2

1 ኣብታ ሳልሰይቲ መዓልቲ ኸኣ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኾነ፡ ኣደ የሱስውን ኣብኡ ነበረት። 2 የሱስ
ምስ ደቀ መዛሙርቱ ድማ ናብቲ መርዓ ተዓደመ። 3 ወይኒ ምስ ተወድኤ፡ ኣደ የሱስ፥ ወይኒ እምበር
የብሎምን፡ በለቶ። 4 የሱስ ድማ፥ ኣቲ ሰበይቲ፡ ምሳኺኽ እንታይ አሎኒ፧ ጊዜይ ገና ኣይበጽሔን፡ በላ። 5
ኣዲኡ ኸኣ ነቶም ተዓጠቕቲ፥ ንሱ ዚብለኩም ኵሉ ግበሩ፡ በለቶም። 6 ኣብኡ ኸም ስርዓት ምጽራይ
ኣይሁድ ሹድሽተ ኣጋንእ እምኒ ተተኺሉ ነበረ፡ እቲ ኣጋንእ ከክልተ ወይ ሰሰለስተ ዝንግሪር ዜግብእ
እዩ። 7 የሱስ፥ ነዚ ኣጋንእ ማይ ምልእዎ፡ በሎም። ኣፍ ንኣፍ ከኣ መልእዎ። 8 ሽዑ፥ ሕጂ ቕድሕዎ እሞ ነቦ
ዳስ ውሰድሉ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ ወሰዱ። 9 እቲ ኣቦ ዳስ ግና ነቲ ንወይኒ እተለወጠ ማይ ምስ ጠዓሞ፡
ካበይ ምዃኑ ኣይፈለጠን፡- እቶም ማይ ዝመልኡ ተዓጠቕቲ ግና ይፈልጡ ነበሩ፡- እቲ ኣቦ ዳስ ነቲ
መርዓዊ ጸዊዑ፥ 10 ኵሉ ሰብ ቅድም ጽቡቕ ወይኒ፡ ምስ ሰኸሩ ኸኣ እቲ ሕምቕ ዝበለ ደኣ የቕርብ። ንስኻ
ግና ነቲ ጽቡቕ ወይኒ ኽሳዕ ሕጂ ኣጽናሕካዮ፡ በሎ። 11 የሱስ ነዚ መጀመርያ ተኣምራቱ እዚ ኣብ ቃና ናይ
ገሊላ ገበሮ። ክብረቱ ኸኣ ገለጸ፡ ደቀ መዛሙርቱውን ብእኡ ኣመኑ። 12 ድሕርዚ ንሱ ምስ ኣዲኡን
ኣሕዋቱን ደቀ መዛሙርቱን ናብ ቅፍርናሆም ወረደ። ኣብኡውን ሒደት መዓልቲ ጸንሑ። 13 ፋስጋ
ኣይሁድ ከኣ ቀሪቡ ነበረ፡ የሱስውን ናብ የሩሳሌም ደየበ። 14 ኣብ ቤተ መቕደስ ከኣ ኣብዑርን ኣባጊዕን
ኣራግብን ዚሸጡን ሸረፍቲ ተቐሚጦምን ረኸበ። 15 ካብ ገመድ መግረፊ ገይሩ ኸኣ፡ ምስተን ኣባጊዕን
ኣብዑርን ንዅሎም ካብ ቤተ መቕደስ ኣውጽኦም፡ ንወርቂ እቶም ሸረፍቲውን ፋሕ ኣብሎ፡ ንሰደቓኦም
ከኣ ደንከሎ። 16 ነቶም ሸየጥቲ ኣራግብ ድማ፥ እዚ ካብዚ ኣልዕልዎ፡ ንቤት ኣቦይ ቤት ዕዳጋ

ኣይትግበርዎ፡ በሎም። [17] ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፥ ቅንኣት ቤትካ በልዓኒ፡ ጹሑፍ ከም ዘሎ ዘከሩ። [18] ሽዑ
ኣይሁድ፥ እዚ እትገብር ካብ ኰንካስ፡ እንታይ ትእምርቱ ኸተርእየና ኢኻ፧ ኢሎም መለስሉ። [19] የሱስ
ድማ፥ ነዝ ቤተ መቕደስ እዚኣ ኣፍርስዋ፡ ኣነ ኸኣ ብሰለስተ መዓልቲ ኸልዕላ እየ፡ ኢሉ መለሰሎም። [20]
እቶም ኣይሁድ ከኣ፥ እዛ ቤተ መቕደስ እዚኣ በርብዓን ሹዱሽተን ዓመት እያ እተሃንጸት፡ ንስኻዶ
ብሰለስተ መዓልቲ ኸተልዕላ ኢኻ፧ በልዎ። [21] ንሱ ግና ብዛዕባ መቕደስ ስጋኡ እዩ እተዛረበ። [22] ስለዚ ኸኣ
ካብ ምውታት ምስ ተንስኤ፡ ደቀ መዛሙርቱ እዚ ኸም ዝበሎ ዘከሩ፡ በቲ ጽሑፍን በቲ የሱስ ዝበሎ
ቓልን ድማ ኣመኑ። [23] ነቲ፡ የሱስ ብበዓል ፋስጋ ኣብ የሩሳሌም ከሎ ዝገበሮ ተኣምራት ምስ ረኣዩ፡
ብዙሓት ሰባት ብስሙ ኣመኑ። [24-25] የሱስ ግና፡ ኣብ ሰብ ዘሎ ባዕሉ ይፈልጥ ስለ ዝነበረ፡ ሓደ እኳ
ብናይ ሰብ ኪምስክረሉ ኣየድለዮን፡ ንዅሎም ይፈልጦም ነበረ እሞ፡ ኣይኣመኖምን።

## ምዕራፍ 3

[1] ካብቶም ፈሪሳውያን ኒቆዲሞስ ዝስሙ ሰብኣይ፡ ሓለቓ ኣይሁድ ነበረ። [2] ንሱ ብለይቲ ናብ የሱስ
መጺኡ፥ ረቢ፡ ብጀካ እቲ ኣምላኽ ምስኡ ዝኾነ ሰብ፡ ነዚ ንስኻ እትገብሮ ዘሎኻ ተኣምራት ኪገብሮ
ዚኽእል የልቦን እሞ፡ ንስኻ መምህር ኴንካ ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጻእካ፡ ንፈልጥ ኢሎና፡ በሎ። [3] የሱስ
ድማ፥ ካብ ላዕሊ እንተዘይተወልደ፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኪርእያ ዚኽእል ከም ዜልቦ፡ ብሓቂ እብለካ
ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። [4] ኒቆዲሞስ ከኣ፥ ንሰብከ ምስ ኣረገ፡ ኪውለድ ከመይ ኢሉ ይከኣሎ፧ መሊሱ
ናብ ከርሲ ኣዲኡ ኣትዩስ ኪውለድ ይከኣሎ እዩ፧ በሎ። [5] የሱስ መለሰ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ካብ
ማይን መንፈስን እንተ ዘይተወልደ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ኪኣቱ ዚኽእል የልቦን። [6] ካብ ስጋ እተወልደ
ስጋ እዩ፡ ካብ መንፈስ እተወልደ ኸኣ መንፈስ እዩ። [7] ካብ ላዕሊ ኽትውለድ ብግዲ እዩ ስለ ዝበልኩኻ፡
ኣይትገረም። [8] ንፋስ ናብ ዝደለዮ ይነፍስ፡ ደሃይ ኸኣ ትሰምዕ፡ ካበይ ከም ዚመጽእ ናበይውን ከም
ዚኸይድ ግና ኣይትፈልጥን ኢኻ። እቲ ኻብ መንፈስ እተወልደ ዘበለ ድማ ከምኡ እዩ። [9] ኒቆዲሞስ ከኣ፥
እዚ ደኣ ኸመይ ኢሉ ኪኸውን ይከኣል፧ ኢሉ መለሰሉ። [10] የሱስ ድማ መሊሱ በሎ፥ ንስኻ መምህር
እስራኤል ኢኻ፡ እዚዶ ኣይትፈልጥን፧ [11] ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ እንፈልጦ ንዛረብ፡
ዝርኤናዮውን ንምስርክር ኣሎና፡ ነቲ ምስክርና ግና ኣይትቕበልዎን ኢኹም። [12] ናይ ምድሪ ነገር
ነጊረኩም ካብ ዘይትኣምኑስ፡ ናይ ሰማይ ነገር እንተ ነገርኩኹም ግዳ፡ ከመይ ጌርኩም ክትኣምኑ፧ [13]
ብጀካ እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ ኣብ ሰማይውን ዘሎ ወዲ ሰብ፡ ናብ ሰማይ ዝደየበ ሓደ እኳ የልቦን። [14-15]
ብእኡ ዚኣምን ኵሉ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ከምቲ ሙሴ ኣብ
በረኻ ተመን ዝሰቐለ፡ ከምኡ ድማ ወዲ ሰብ ኪስቀል ይግባእ እዩ። [16] ኣምላኽ፡ በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ
ዅሉ ናይ ዘለኣለም ሕይወት ምእንቲ ኺረክብ እምበር፡ ከይጠፍእሲ፡ ንወዱ በጃ ኽሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ
ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ። [17] ኣምላኽ ንወዱ፡ ዓለም ብእኡ ኽትድሕን እምበር፡ ንዓለም ኪፈርዳስ
ኣይለኣኾን። [18] ብእኡ ንዚኣምን ኣይፍረዶን። ነቲ ዘይኣምን ግና፡ ብስም ሓደ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘይኣመነ፡
ድሮ ተፈሪድዎ ኣሎ። [19] እቲ ፍርዲ እዚ እዩ፥ ብርሃን ናብ ዓለም መጸ፡ ሰብ ግና፡ ግብሮም ከፉእ እዩ
እሞ፡ ካብ ብርሃንሲ ጸልማት ፈተዉ። [20] ከፉእ ዚገብር ዘበለ ብርሃን ይጸልእ እዩ እሞ፡ እቲ ግብሩ
ምእንቲ ኸይዝለፍ፡ ናብ ብርሃን ኣይመጽእን። [21] እቲ ሓቂ ዚገብር ግና፡ ብኣምላኽ እተገብረ እዩ እሞ፡
ግብሩ ምእንቲ ኺግለጽ፡ ናብ ብርሃን እዩ ዚመጽእ። [22] ድሕርዚ የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ምድሪ
ይሁዳ ኸደ፡ ኣብኡ ኸኣ ምሳታቶም ይመላለስን የጥምቕን ነበረ። [23-24] ዮሃንስ ገና ናብ ቤት ማእሰርቲ

ኣይኣተወን ነበረ እሞ፡ ኣብ ሄኖን ኣብ ጥቓ ሳሌም ብዙሕ ማይ ስለ ዝነበረ፡ ዮሃንስ ኣብኡ የጥምቕ ነበረ፡
ይመጹን ይጥመቑን ከኣ ነበሩ። 25 ሽዑ ኣብ መንጎ ደቀ መዛሙርቲ ዮሃንስን ሓደ ኣይሁዳውን ብዛዕባ
ምጽራይ ክርክር ተንስኤ። 26 ናብ ዮሃንስ መጺኦም፥ መምህር፡ እቲ ኣብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ምሳኻ ዝነበረ
ንስኻውን ዝመስከርካሉ፡ እንሆ፡ ንሱ የጥምቕ፡ ኵሉ ኸኣ ናብኡ ይኸይድ ኣሎ፡ በልዎ። 27 ዮሃንስ ከኣ
መሊሱ በለ፥ ሰብ ካብ ሰማይ እንተ ዘይተዋህቦስ ሓንቲ እኳ ኺወስድ ኣይክእልን እዩ። 28 ኣነ ቀቅድሚኡ
ደኣ ተለኣኽኩ እምበር፡ ክርስቶስ ኣይኰንኩን ከም ዝበልኩ፡ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ምስክረይ
ኢኹም። 29 እቲ መርዓት ዘላቶ፡ ንሱ መርዓዊ እዩ። እቲ ደው ኢሉ ንእኡ ዚሰምዖ ዓርኪ መርዓዊ ግና
ብድምጺ እቲ መርዓዊ ኣዝዩ ይሕጐስ። ደጊም እዚ ሓጐሰይ ተፈጸመ። 30 ንሱ ኺዓቢ፡ ኣነ ግና ክንእስ
ይግባእ። 31 እቲ ኻብ ላዕሊ ዚመጽእ ዘሎ፡ ንሱ ልዕሊ ኹሉ እዩ። ካብ ምድሪ ዝኾነ ምድራዊ እዩ፡ ናይ
ምድሪውን ይዛረብ። እቲ ኻብ ሰማይ ዚመጽእ ዘሎ ግና፡ ንሱ ልዕሊ ኹሉ እዩ። 32 ነታ ምስክሩ ደኣ
ዚቕበላ የልቦን እምበር፡ ንሱስ ዝረኣዮን ዝሰምዖን እዩ ዚምስክር። 33 እቲ ነታ ምስክሩ እተቐበላ ግና፡
ኣምላኽ ሓቀኛ ምዃኑ ሐተመ። 34 ኣምላኽ መንፈሱ ሰፊሩ ኣይህብን እዩ እሞ፡ ኣምላኽ ዝለኣኾ፡ ንሱ
ቓል ኣምላኽ እዩ ዚነግር። 35 ኣቦ ንወዱ የፍቅሮ እዩ እሞ ኵሉ ኣብ ኢዱ ሃቦ። 36 ብወዲ ዚኣምን ናይ
ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ፡ እቲ ብወዲ ዘይኣምን ግና ቍጥዓ ኣምላኽ ደኣ ኣብኡ ይነብር እምበር፡
ንህይወት ኣይኪርእያን እዩ።

# ምዕራፍ 4

1 ጐይታ ኸኣ፡ እቶም ፈሪሳውያንሲ የሱስ ካብ ናይ ዮሃንስ ዚበዝሑ ደቀ መዛሙርቲ ኸም ዝገበረን
ዘጥመቐን ምስ ፈለጠ፡- 2 ግናኸ ደቀ መዛሙርቱ ደኣ እምበር፡ የሱስ ባዕሉስ ኣየጥመቐን፡- 3 ምድሪ ይሁዳ
ሐዲጉ ናብ ገሊላ ተመልሰ። 4 ብሰማርያ ንምሕላፍ ከኣ ናይ ግዲ ኰኖ። 5 ኣብ ጥቓ እታ ያእቆብ ንዮሴፍ
ወዱ ዝሃቦ ምድሪ ዘላ ሲካር ናብ እትብሃል ከተማ ሰማርያ መጸ። 6 ኣብኡ ኸኣ ዔላ ያእቆብ ኣሎ። የሱስ
ከኣ ብምኻድ መገዲ ደኺሙ፡ ኣብ ጥቓ እቲ ዔላ ተቐመጠ። እቲ ጊዜኡ ሳድሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ነበረ። 7
ካብ ሰማርያ ኸኣ ሰበይቲ ማይ ክትቀድሕ መጸት። የሱስ ድማ፥ ማይ ኩታ ኣስትይኒ፡ በላ። 8 ደቀ
መዛሙርቱ ግና ዚበላዕ ኪዕድጉ ናብ ከተማ ኸይዶም ነበሩ። 9 ኣይሁድ ምስ ሳምራውያን ኣይተሓባበሩን
እዮም እሞ፡ እታ ሳምራዊት ሰበይቲ፡ ንስኻ ኣይሁዳዊ ክነስኻስ፡ ካባይ ሳምራዊት ሰበይቲ ደኣ ኸመይ
ኢልካ ማይ ክትሰቲ ትልምን ኣሎኻ፧ በለቶ። 10 የሱስ ድማ፥ ህያብ ኣምላኽን እቲ ኣስትይኒ ዚብለኪ ዘሎ
መን ምዃኑን እንተ ትፈልጥስ፡ ንስኺ ግዳ ምለመንክዮ ኔርኪ፡ ንሱ ኸኣ ማይ ህይወት ምሃበኪ ነይሩ፡
ኢሉ መለሰላ። 11 እታ ሰበይቲ ድማ፥ ጐይታይ፡ መቕድሒ የብልካን፡ እዚ ዔላ ኸኣ ዓሚቝ እዩ፡ እቲ
ማይ ህይወት ደኣ ኻበይ ትረኽቦ፧ 12 ንስኻዶ ኻብቲ ነዚ ዔላ እዚ ዝሃበና፡ ንሱውን ምስ ደቁን ማሉን
ካብኡ ዝሰተየ ኣቦና ያእቆብ፡ ትዓቢ ኢኻ፧ በለቶ። 13 የሱስ ድማ፥ ካብዚ ማይ እዚ ዚሰቲ ዘበለ መሊሱ
ኺጸምእ እዩ። 14 እቲ ካብቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ዚሰቲ ግና፡ እቲ ኣነ ዝህቦ ማይ ኣብኡ ንዘለኣለም ህይወት
ዚፍልፍል ዓይኒ ማይ ኪኸውን እዩ እምበር፡ ንዘለኣለም ኣይጸምእን እዩ፡ ኢሉ መለሰላ። 15 እታ ሰበይቲ
ኸኣ፥ ጐይታይ፡ ከይጸምእ እሞ ክቕድሕ ድማ ናብዚ ኸይወርድሲ፡ ካብቲ ማይ እቲ ሃበኒ፡ በለቶ። 16
የሱስ ከኣ፥ ኪዲ፡ ሰብኣይኪ ጸዊዕኪ ናብዚ ንዒ፡ በላ። 17 እታ ሰበይቲ መሊሳ፥ ሰብኣይ የብለይን፡ በለቶ።
የሱስ ከኣ፡ ሰብኣይ የብለይን ብምባልክስ ቅኑዕ ተዛሪብኪ። 18 ሓሙሽተ ሰብኣይ ነይሮምኺ እዮም እሞ፡
እዚ ሕጂ ምሳኺ ዘሎውን ኣይሰብኣይክን እዩ። እዝስ ሓቂ ተዛሪብኪ፡ በላ። 19 እታ ሰበይቲ በለቶ፥

ጐይታይ፡ ንስኻ ነብዩ ምዃንካ እርኢ ኣሎኹ። [20] ኣቦታትና ኣብዚ ኸረን እዚ ሰገዱ። ንስኻትኩም ግና፡
እታ ኺስገደላ ዚግባእ ስፍራ ኣብ የሩሳሌም እያ፡ ኢኹም እትብሉ። [21] የሱስ በላ፥ ኣቲ ሰበይቲ፡ ኣብዚ
ኸረን እዚ ወይ ኣብ የሩሳሌም ነቦ ዘይትሰግዱላ ጊዜ ከም እትመጽእ፡ እመንኒ። [22] ንስኻትኩም
ንዘይትፈልጥዎ ኢኹም እትሰግዱ፡ ንሕና ግና፡ ምድሓን ካብ ኣይሁድ እዩ እሞ፡ ንንፈልጦ ኢና
እንሰግድ። [23-24] ኣምላኽ መንፈስ እዩ፡ እቶም ዚሰግድሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግባኦም።
ኣቦ ኸምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዩ ዚደሊ እሞ፡ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ
ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ። [25] እታ ሰበይቲ ድማ፡ ክርስቶስ ዚብልዎ መሲህ ከም ዚመጽእ፡
እፈልጥ ኣሎኹ። ንሱ ምስ መጸ ኸኣ፡ ኵሉ ኪነግረና እዩ፡ በለቶ። [26] የሱስ ከኣ፥ ኣነ ዝዛረበኪ ዘሎኹ ንሱ
እየ፡ በላ። [27] ሽዑ እቶም ደቀ መዛሙርቱ መጹ፡ ምስ ሰበይቲ ብምዝርራቡውን ተገረሙ። ግናኸ ሓደ
እኳ፥ እንታይ ትደሊ፡ ወይስ፥ ንምንታይ ምስኣ ትዛረብ ኣሎኻ፡ ዝበሎ የልቦን። [28] እታ ሰበይቲ ኸኣ
ዕትሮኣ ሐዲጋ ናብ ከተማ ኣተወት፡ ነቶም ሰብውን፥ [29] ዝገበርክዎ ዘበለ ዝነገረኒ ሰብኣይ ንዑ ርኣዩ።
እንድዒ፡ ክርስቶስ ኰን ይኸውን፧ በለቶም። [30] ካብ ከተማ ወጺኦም ናብኡ መጹ። [31] ኣብ መንጎ እዚ
እቶም ደቀ መዛሙርቱ፥ መምህር፡ ብላዕ፡ ኢሎም ለመንዎ። [32] ንሱ ኸኣ፥ ኣነስ ንስኻትኩም ዘይትፈልጥዎ
ዝበልዖ ብልዒ ኣሎኒ፡ በሎም። [33] እቶም ደቀ መዛሙርቲ ንሓድሕዶም፥ ሰብ ደኾን ገለ ዚብላዕ
ኣምጺኡሉ ኾይኑ፧ ተባሃሃሉ። [34] የሱስ በሎም፥ ብልዔይሲ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ ኽገብር ዕዮኡውን
ክፍጽም እዩ። [35] ንስካትኩምዶ፥ ቀውዒ ኽሳዕ ዚመጽእ ኣርባዕተ ወርሒ ኣሎ፡ ትብሉ ኣይኰንኩምን፧
ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ እሞ ምድሪ ድሮ ንዓጺድ ከም ዝጻዕደወት ርኣዩ፡ እብለኩም ኣለኹ። [36-37] ሓደ
ኸም ዚዘርእ፡ ሓደ ኻልእ ከኣ ከም ዚዓጽድ፡ በዚ እዚ ዘረባ እዚ ሓቂ እዩ እሞ፡ እቲ ዚዓጽድ ውዕለቱ
ይቕበል፡ እቲ ዘራእን እቲ ዓጻድን ብሓንሳእ ምእንቲ ኺሕጐሱ ኸኣ፡ ንዘለኣለም ህይወት ፍረ ይእክብ።
[38] ኣነ ንኣካትኩም ኣብ ዘይጸዓርኩምሉ ኽትዓጽዱ ለኣኽኩኹም። ካልኦት ጸዓሩሉ፡ ንስኻትኩም ኣብቲ
ጻዕሮም ኣቶኹም። [39] ስለቲ እታ ሰበይቲ፥ ዝገበርክዎ ዘበለ ነጊሩኒ፡ ኢላ ዝመስከረቶ ቓል፡ ካብታ ኸተማ
እቲኣ ብዙሓት ሳምራውያን ብእኡ ኣመኑ። [40] እቶም ሳምራውያን ናብኡ መጺኦም፡ ምሳታቶም ኪቕመጥ
ለመንዎ። ኣብኡ ኸኣ ክልተ መዓልቲ ወዓለ። [41] ኣዝዮም ዚበዝሑ ድማ ስለ ቓሉ ኣመንዎ። [42] ነታ
ሰበይቲውን፥ ደጊምሲ ባዕላትና ደኣ ንሱ ብሓቂ ክርስቶስ መድሓኒ ዓለም ምዃኑ ሰሚዕናን ፈሊጥናን
እምበር፡ ኣይብዘረባኽን ኢና እንኣምን ዘሎና፡ ይብልዋ ነበሩ። [43-44] ነብዩ ኣብ ዓዱ ኽም ዘይከብር፡ የሱስ
ባዕሉ መስኪሩ ነበረ እሞ፡ ድሕሪ እተን ክልተ መዓልቲ ኻብኡ ወጺኡ ናብ ገሊላ ኸደ። [45] ናብ ገሊላ
ምስ መጸ፡ እቶም ሰብ ገሊላ፡ ባዕላቶም ከኣ ናብ በዓል መጺኦም ነበሩ እሞ፡ በቲ በዓል ኣብ የሩሳሌም
ዝገበሮ ስለ ዝረኣዩ፡ ተቐበልዎ። [46] የሱስ ድማ ናብታ ንማይ ናብ ወይኒ ዝለወጠላ፡ ናብ ቃና ናይ ገሊላ፡
መጸ። ኣብ ቅፍርናሆም ከኣ ወዱ ዝሐመሞ ሓደ ኣገልጋል ንጉስ ነበረ። [47] ንሱ፡ የሱስ ካብ ይሁዳ ናብ
ገሊላ ኸም ዝመጸ ምስ ሰምዔ፡ ናብኡ ኸደ፡ ወዱ ንሞት ቀሪቡ ነበረ እሞ፡ ወሪዱ ኺሕውየሉ ንየሱስ
ለመኖ። [48] ሽዑ የሱስ፡ ትእምርትን ተኣምራትን እንተ ዘይርኤኹም፡ ኣይትኣምኑን ኢኹም፡ በሎ። [49] እቲ
ኣገልጋል ንጉስ ከኣ፥ ጐይታይ፡ ወደይ ከይሞተ ውረድ፡ በሎ። [50] የሱስ ድማ፥ ኪድ፡ ወድኻ ሐውዩልካ፡
በሎ። እቲ ሰብኣይ ከኣ በታ የሱስ እተዛረባ ቓል ኣሚኑ ኸደ። [51] ኪወርድ ከሎ፡ ባሮቱ ተቐበልዎ እሞ፥
ወድኻ ሐውዩ፡ ኢሎም ኣበሰርዎ። [52] ንሱ ኸኣ እታ ዝሐወየላ ሰዓት ሐተቶም። ንሳቶም ድማ፥ ትማሊ
ብሳብዐይቲ ሰዓት ዓሶኡ ሐዲጋቶ፡ በልዎ። [53] ሽዑ ኣቦኡ በታ የሱስ፥ ወድኻ ሐውዩ፡ ዝበሎ ሰዓት ምዃና
ፈለጠ። ንሱ ኸኣ ምስ ኵሉ ስድራ ቤቱ ኣመነ። [54] የሱስ ካብ ይሁዳ ናብ ገሊላ ምስ መጸ ዝገበሮ
ተኣምራት፡ እዚ ኻልኣዩ እዩ።

# ምዕራፍ 5

[1] ድሕርዚ ድማ በዓል ኣይሁድ ኰነ። የሱስውን ናብ የሩሳሌም ደየበ። [2] ኣብ የሩሳሌም ኣብ ጥቓ ደገ
ኣባጊዕ ከኣ፡ ብእብራይስጢ ቤትሄስዳ ዚብሃል፡ ሓሙሽተ ገበላ እተገብሮ ቐላይ ነበረ። [3] ኣብኡ
ምንቅስቓስ እቲ ማይ ዚጽበዩ ብዙሓት ሕሙማት፡ ዕውራትን ሓንካሳትን ድኑሳትን ይድቅሱ ነበሩ። [4]
እናሓንሳእ ሓደ መልኣኽ ናብታ ቐላይ ወሪዱ ነቲ ማይ የንቀሳቕሶ ነበረ እሞ፡ እቲ ቐድም ወሪዱ ኣብቲ
እንተንሳቐሰ ማይ ዝኣተወ፡ ካብ ዘለዎ ሕማም ዘበለ ይሐዊ ነበረ። [5] ሰላሳን ሸሞንተን ዓመት ዝሐመመ
ሰብኣይ ከኣ ኣብኣ ነበረ። [6] የሱስ ድማ ነዚ ደቂሱ ምስ ረአዮ፡ ነዊሕ ዘመን ምሕማሙ ፈሊጡ፥ ክትሐዊዶ
ትደሊ ኢኻ፡ በሎ። [7] እቲ ሕሙም ከኣ፥ ጐይታይ፡ እቲ ማይ ምስ ተንቀሳቐሰ፡ ናብቲ ቐላይ ዜውርደኒ
ሰብ የብለይን። ኣነ ኽሳዕ ዝመጽእ ድማ ካልእ ቀዲሙኒ ይወርድ፡ ኢሉ መለሰሉ። [8] የሱስ ከኣ፥ ተንስእ፡
ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ፡ በሎ። [9] እቲ ሰብኣይ ብኡብኡ ሐወየ፡ ዓራቱ ኣልዒሉውን ከደ። እታ መዓልቲ
እቲኣ ሰንበት ነበረት። [10] ስለዚ ኣይሁድ ነቲ ዝሐወየ ሰብኣይ፥ ሎሚ ሰንበት እያ እሞ፡ ዓራትካ ኽትጸውር
ኣይተፈቕደልካን፡ በልዎ። [11] ንሱ ግና፥ እቲ ዘሕወየኒ እዩ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ ዝበለኒ፡ ኢሉ
መለሰሎም። [12] ንሳቶም፥ እቲ ዓራትካ ኣልዕል እሞ ኪድ ዝበለካ ሰብኣይከ እንታዋይ እዩ፧ ኢሎም
ሐተትዎ። [13] እቲ ዝሐወየ ግና፡ ኣብቲ ቦታ እቲ ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዝነበረ እሞ የሱስ ድሕር ኢሉ ስለ
ዝነበረ፡ ንሱ መን ምዃኑ ኣይፈለጠን። [14] ድሕርዚ የሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ረኸቦ እሞ፥ እንሆ ሐዊኻ፡
ካብዚ ዚገድድ ከይረኽበካስ፡ መሊስካ ኣይትበድል፡ በሎ። [15] እቲ ሰብኣይ ከይዱ፡ ንኣይሁድ እቲ
ዘሕወዮስ የሱስ ምዃኑ ነገሮም። [16] ስለዚ፡ ብሰንበት እዚ ስለ ዝገበረ፡ ኣይሁድ ንየሱስ ይሰጒዎ፡
ኪቐትልዎውን ይደልዩ ነበሩ። [17] የሱስ ግና፥ ኣቦይ ክሳዕ ሕጂ ይገብር፡ ኣነውን እገብር አሎኹ፡ ኢሉ
መለሰሎም። [18] ስለዚ ሰንበት ብምስዓሩ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ንኣምላኽ ድማ ኣቦይ ብምባሉን ርእሱ ምስ
ኣምላኽ ብምምዕርራዩን ኪቐትልዎ ኣዝዮም ይደልዩ ነበሩ። [19] የሱስ መሊሱ በሎም፥ ብሓቂ፡ ብሓቂ
እብለኩም አሎኹ፡ ወድስ ኣቦኡ ኺገብሮ ዝረኣዮ እምበር፡ ካብ ርእሱ ሓንቲ ነገር እኳ ኺገብር
ኣይከአሎን። ነቲ ንሱ ዚገብሮ ግብሪ እቲ ወዲ ድማ ከምኡ ዝበለ ይገብር እዩ። [20] ኣቦ ንወዲ የፍቅሮ እዩ
እሞ፡ ንሱ ዚገብሮ ዘበለ ዅሉ ድማ የርእዮ። ንስካትኩም ምእንቲ ኽትግረሙ፡ ካብዚ ዚዓቢ ግብሪውን
ኬርእዮ እዩ። [21] ኣቦ ንምዉታት ከም ዜተንስኦም ህያዋንውን ከም ዚገብሮም፡ ወዲ ድማ ከምኡ ነቶም
ዝደለዮም ህያዋን ይገብሮም እዩ። [22-23] ኵሉ ሰብ ከምቲ ነቦ ዜኽብሮ ገይሩ ንወዲ ምእንቲ ኬኽብሮስ፡
ፍርዲ ዘበለ ንወዲ ሃቦ እምበር፡ ኣቦ ንሓደ እኳ ኣይፈርድን እዩ። እቲ ንወዲ ዘየኽብሮ ነቲ ዝለኣኾ
ኣቦውን ኣየኽብሮን እዩ። [24] እቲ ንቓለይ ዚሰምዖን በቲ ዝለኣኸኒ ዚኣምንን ናይ ዘለኣለም ህይወት ኣላቶ።
ንሱ ኻብ ሞት ናብ ህይወት ተሳገረ እምበር፡ ናብ ፍርዲ ኸም ዘይበጽሕ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም
አሎኹ። [25] እቶም ምዉታት ድምጺ ወዲ ኣምላኽ ዚሰምዑላ ሰዓት ትመጽእ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ፡ እቶም
ዚሰምዕዎ ድማ ህያዋን ኪኾኑ እዮም፡ ኢለ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ። [26] ነቦ ብርእሱ ህይወት
ከም ዘላቶ፡ ንወዱውን ከምኡ ብርእሱ ኽትህልዎ፡ ህይወት ሃቦ። [27] ወዲ ሰብ እዩ እሞ፡ ኪፈርድ ስልጣን
ሃቦ። [28-29] ኣብ መቓብር ዘለዉ ዅላቶም ድምጺ ዚሰምዑላ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ሰናይ ዝገበረ ናብ
ትንሳኤ ህይወት፡ እኩይ ዝገበሩ ኸኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ ኺወጹ እዮም እሞ፡ በዚ ኣይትደነቑ። [30] ካብ
ርእሰይ ገለ ኽገብር ኣይክእልን። ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ኣይደልን እየ እሞ፡ ኣነ ከምቲ
ዝሰማዕክዎ እየ ዝፈርድ፡ ፍርደይ ከኣ ቅኑዕ እዩ። [31] ኣነ ብዛዕባ ርእሰይ ባዕለይ እንተ መስከርኩ፡
ምስክረይ ሓቂ ኣይከውንን እዩ። [32] ንኣይ ዚምስክረለይሲ ኻልእ አሎ፡ እቲ ንሱ ብዛዕባይ ዚምስክሮ
ምስክር ከኣ ሓቂ ምኳኑ እፈልጥ አሎኹ። [33] ንስኻትኩም ናብ ዮሃንስ ለኣኽኩም፡ ንሱ ኸኣ ንሓቂ

መስከረ። 34 እዚ ግና ንስኻትኩም ምእንቲ ኽትድሕኑ እብል አሎኹ እምበር፡ ኣነስ ምስክር ሰብ ዝቕበል
ኣይኮንኩን። 35 ንሱ ዚነድድን ዜብርህን መብራህቲ ነበረ። ንስኻትኩም ከኣ በቲ ብርሃኑ ቕሩብ ጊዜ ባህ
ኪብለኩም ደሌኹም። 36 ግናኸ እቲ ኣቦይ ክፍጽሞ ኢሉ ዝሃበኒ ግብሪ፡ እዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብሪ፡
ንሱ ኣቦይ ከም ዝለኣኸኒ ብዛዕባይ ይምስክር እዩ እሞ፡ ኣነ ኻብ ምስክር ዮሃንስ ዚዓቢ ምስክር አሎኒ።
37 እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ከኣ፡ ንሱ ባዕሉ ብዛዕባይ መስከረ። ድምጹ ከቶ ኣይሰማዕኩምን ምስሉውን
ኣይርኤኹምን። 38 በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኣይኣመንኩምን እሞ፡ ቃሉውን ኣይሐደረኩምን። 39 ናይ ዘለኣለም
ህይወት በተን ጹሑፋት እትረኽቡ እናመሰለኩምሲ ትምርምርወን አሎኹም፡ ንሳተን ከኣ ብዛዕባይ እየን
ዚምስክራ። 40 ህይወት ምእንቲ ኽትረኽቡ፡ ናባይ ክትመጹ ኣይትደልዩን ኢኹም። 41 ኣነ ውዳሴ ሰብ
ኣይቅበልን እየ። 42 ፍቕሪ ኣምላኽ ከም ዜብልኩም ግና እፈልጠኩም አሎኹ። 43 ኣነ ብስም ኣቦይ መጻእኩ
እሞ ኣይተቐበልኩምንን፡ ካልእ ብስም ርእሱ እንተ መጸ፡ ንእኡ ኽትቅበልዎ ኢኹም። 44 ንስኻትኩም
ካብ ሓድሕድኩም ክብረት እትቃባበሉ፡ ነታ ካብ ሓደ ኣምላኽ እትርከብ ክብረት ዘይትደልዩ፡ ከመይ
ኢልኩም ክትኣምኑ ይኾነልኩም፡ 45 ኣነ ኣብ ኣቦ ዝኸሰኩም ኣይምሰልኩም። ዚኸስኩምሲ አሎ፡ ንሱ
ኸኣ እቲ ንስኻትኩም ተስፋ እትገብርዎ ሙሴ እዩ። 46 ንሙሴ እንተ ትኣምንዎስ፡ ንሱ ብዛዕባይ ጽሒፉ
አሎ እሞ፡ ንኣይ ድማ ምኣመንኩምኒ ኔርኩም። 47 ነተን ጽሑፋቱ ኻብ ዘይትኣምንወን ግና፡ ከመይ
ኢልኩም ደኣ ንቓለይ ክትኣምንዎ፡

## ምዕራፍ 6

1 ድሕርዚ የሱስ ናብ ማዕዶ ባሕሪ ገሊላ፡ ንሳ ኸኣ ባሕሪ ጥብርያዶስ፡ ከደ። 2 ብዙሓት ህዝቢ ኸኣ፡ ኣብ
ሕሙማት ዝገበሮ ተኣምራት ርእዮም ነበሩ እሞ፡ ሰዓብዎ። 3 የሱስ ድማ ናብ ከረን ደዪቡ፡ ኣብኡ ምስ
ደቀ መዛሙርቱ ተቐመጠ። 4 ፋስጋ፡ እቲ በዓል ኣይሁድ፡ ድማ ቀሪቡ ነበረ። 5 ሽዑ የሱስ ኣዒንቱ ቛሕ
ኣቢሉ፡ ብዙሕ ህዝቢ ናብኡ ኺመጽእ ከሎ ርእዩ፡ ንፊልጶስ፥ እዚኣቶም ምእንቲ ኺበልዑስ እንጌራ
ኻበይ ክንዕድግ ኢና፤ በሎ። 6 እቲ ኺገብሮ ዝደለዮስ ባዕሉ ፈሊጥዎ ነበረ እሞ፡ እዚ ዝበሎ ምእንቲ
ኺዕዘቦ እዩ። 7 ፊልጶስ ከኣ፡ ናይ ክልተ ሚእቲ ዲናር እንጌራ እኳ ቑሩራስ ኣይበጽሖምን እዩ፡ ኢሉ
መለሰሉ። 8 ካብቶም ደቀ መዛሙርቱስ ሓደ፡ ንሱ ኸኣ እንድርያስ ሓው ስምኦን ጴጥሮስ፥ 9 ሓሙሽተ ጒነ
ስገምን ክልተ ዓሳን ዘለዎ ቘልዓ ኣብዚ አሎ። እዚኣተን ግና ንኸንድዚ ዚኣክል ሰብ እንታይ ይጠቕማ፧
በሎ። 10 የሱስ ከኣ፥ ኣቐምጥዎም፡ በለ። ኣብታ ቦታ እቲኣ ኸኣ ብዙሕ ሳዕሪ ነበረ። ሽዑ ተቐመጡ፡
ቍጽሮም ከኣ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ሰብኣይ ዚኣኽሉ ነበሩ። 11 የሱስ ነተን ጒንታት ኣልዒሉ፡ ኣመስጊኑ
ነቶም እተቐመጡ ሃቦም፡ ካብቲ ዓሳታት ከኣ ከምኡ ከከም ዝደለይዎ መቐሎም። 12 ምስ ጸገቡ ድማ፡
ንደቀ መዛሙርቱ፡ ዝተረፈ ቘረርስ፡ ሓንቲ እኳ ኸይትጠፍእ፡ ኣክብዎ፡ በሎም። 13 ስለዚ ኣክብዎ፡ ተረፍ
እቶም ዝበልዑ ካብተን ሓሙሽተ ጒነ ስገም ዓሰርተው ክልተ መሶብ ቈረርስ መልኡ። 14 እቶም ሰብ ከኣ
ነቲ የሱስ ዝገበሮ ትእምርቲ ምስ ረኣዩ፥ እዚ ብሓቂ እቲ ናብ ዓለም ኪመጽእ ዘለዎ ነብዪ እዩ፡ በሉ። 15
የሱስ ድማ፡ መጺኦም መንዚዖም ኬንግስዎ ኸም ዝደለዩ ፈሊጡ፡ ከም ብሓድሽ በይኑ ናብ ከረን
ኣግለሰ። 16 ምስ መሰየ፡ ደቀ መዛሙርቱ ናብ ባሕሪ ወረዱ። 17 ኣብ ጃልባ ኣትዮም ከኣ ናብ ስግር ባሕሪ
ናብ ቅፍርናሆም ከዱ። ጸልሚቱ ነበረ፡ የሱስውን ናባታቶም ገና ኣይመጸን ነበረ። 18 እቲ ባሕሪ ግና፡
ብርቱዕ ህቦብላ ስለ ዝነፈሰ፡ ይናወጽ ነበረ። 19 ዕስራን ሓሙሽተን ወይ ሰላሳ እስታድዮስ ምስ ከዱ ኸኣ፡
የሱስ ባሕሪ ባሕሪ እናኸደ ናብታ ጃልባ ኪቐርብ ከሎ፡ ርእዮም ፈርሁ። 20 ንሱ ግና፡ ኣነ እየ፡

ኣይትፍርሁ፡ በሎም። [21] ሽዑ ናብ ጃልባ ኬእትውዎ ደለዩ፡ እታ ጃልባ ኸኣ ብኡብኡ ናብቲ ዚኸድዎ ዘለዉ ምድሪ በጽሔት። [22] ንጽብሒቱ እቶም ኣብ ስግር ባሕሪ ደው ኢሎም ዘለዉ ህዝቢ፡ ብጀካ ሓንቲ ጃልባ ኻልእ ኣብኡ ኸም ዘይነበረት፡ ደቀ መዛሙርቱ ጥራይ ንበይኖም ከም ዝኸዱ እምበር፡ የሱስ ናብታ ጃልባ ኸም ዘይኣተወ ምስ ረኣዩ፡- [23] ግናኸ ኻልኦት ጀለቡ ካብ ጥብርያዶስ ናብ ጥቓ እታ ጐይታ ምስ ባረኸ እንጌራ ዝበልዕዋ ቦታ መጹ፡- [24] ሽዑ እቶም ዝህቢ፡ የሱስ ኰነ ወይ ደቀ መዛሙርቱ ኣብኡ ዘይምህላዎም ርእዮም፡ ንሳቶም ድማ ናብተን ጃለቡ ኣትዮም ንየሱስ እናደለይዎ ናብ ቅፍርናሆም መጹ። [25] ኣብ ስግር ባሕሪ ምስ ረኸብዎ ኸኣ፥ ረቢ፡ መኣዝ ናብዚ መጻእካ፡ በልዎ። [26] የሱስ ድማ፥ እትደልዩኒ ዘሎኹምሲ እንጌራ ስለ ዝበላዕኩምን ዝጸገብኩምን ኢኹም እምበር፡ ተኣምራት ስለ ዝርኤኹም ከም ዘይኰንኩም፡ ብሓቂ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [27] ወዲ ሰብ፡ ንእኡ ኣቦ፡ ንሱ ኸኣ ኣምላኽ፡ ሐቲምዎ እዩ እሞ፡ ነቲ ንሱ ዚህበኩም ንዘለኣለም ህይወት ዚነብር ብልዒ እምበር፡ ነዚ ሓላፊ ብልዒ ኣይትግበሩ’ ኢሉ መለሰሎም። [28] ስለዚ ንሳቶም፥ ግብሪ ኣምላክ ክንገብርሲ እንታይ ንግበር፡ በልዎ። [29] የሱስ ከኣ፡ ግብሪ ኣምላኽ በቲ ንሱ ዝለኣኾ ኽትኣምኑ እዩ፡ በሎም። [30] ስለዚ፥ ርኢና ክንኣምነካስ እንታይ ትእምርቲ እሞ ትገብር፤ እንታይከ ትገብር ኣሎኻ፤ [31] ኣቦታትና፡ ከምቲ ኺበልዑ ኻብ ሰማይ እንጌራ ሃቦም፡ ዚብል እተጻሕፈ፡ ኣብ በረኻ ማና በልዑ፡ በልዎ። [32-33] ሽዑ የሱስ፥ እቲ ኻብ ሰማይ ዚወርድ ንዓለምውን ህይወት ዚህብ ናይ ኣምላኽ እንጌራ እዩ እሞ፡ ነቲ እንጌራ ሓቂ ኻብ ሰማይ ዚህበኩም ኣቦይ እዩ እምበር፡ ነቲ እንጌራ እቲ ኻብ ሰማይ ዝሃበኩምሲ ሙሴ ኸም ዘይኰነ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ በሎም። [34] ሽዑ ንሳቶም፡ ጐይታይ፡ እቲ እንጌራ እቲኸ ኩሉ ሳዕ ሃበና፡ በልዎ። [35] የሱስ በሎም፥ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ናባይ ዚመጽእ ኣይጠምን፡ ብኣይ ዚኣምን ከቶ ኣይጸምእን እዩ። [36] ግናኸ ከምቲ ዝበልኩኹም እዩ፥ ርኢኩምንሲ ኣይኣመንኩምንን። [37] ኣቦይ ዚህበኒ ዘበለ ናባይ ኪመጽእ እዩ፡ ነቲ ናባይ ዚመጽእ ከቶ ንወጻኢ ኣይድርብዮን እየ። [38] ኣነ ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እምበር፡ ፍቓደይ ምእንቲ ኽገብር ኣይኰንኩን ካብ ሰማይ ወሪደ ዘሎኹ። [39-40] ንወዲ ርእዩ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪረክብ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ፡ እዚ ፍቓድ ኣቦይ እዩ እሞ፡ ካብቲ ንሱ ዝሃበኒ ዘበለ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ እምበር፡ ሓደ እኳ ኸየጥፍእ፡ እዚውን ፍቓድ እቲ ዝለኣኸኒ እዩ። [41] ሽዑ ድማ፡ እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ኣነ እየ፡ ስለ ዝበለ፡ ኣይሁድ ብዛዕባኡ ኣጕረምረሙ እሞ፥ [42] እዝስ እቲ ኣቦኡን ኣዲኡን ንሕና እንፈልጦም የሱስ ወዲ ዮሴፍ ደይኰነን፡ ከመይ ኢሉ ደኣ፥ ካብ ሰማይ ወረድኩ፡ ይብል ኣሎ፤ ይብሉ ነበሩ። [43] የሱስ መሊሱ በሎም፡ ንሓድሕድኩም ኣይተጕረምርሙ። [44] እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይ ዝሰሐቦ እንተ ዘይኰይኑ፡ ናባይ ኪመጽእ ዚኽእል የልቦን። ኣነ ድማ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ከተንስኦ እየ። [45] ኣብ ነብያትውን፥ ኩሎም ካብ ኣምላኽ ምሁራት ኪኾኑ እዮም፡ ዚብል ጹሑፍ ኣሎ። እቲ ኻብ ኣቦይ ዝሰምዔን እተማህረን ዘበለ ኸኣ ናባይ ይመጽእ። [46] ብጀካ እቲ ኻብ ኣምላኽ ዝኾነ፡ ነቦ ዝረኣዮ የልቦን፡ ንሱ እዩ ነቦ ዝረኣየ። [47] እቲ ብኣይ ዚኣምን ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዘላቶ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [48] እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። [49] ኣቦታትኩም ኣብ በረኻ ማና በልዑ እሞ ሞቱ። [50] ካብኡ ዚበልዕ ዘበለ ምእንቲ ኸይመውት፡ ካብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ። [51] እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ ህይወት ኣነ እየ። ካብዚ እንጌራ እዚ ዝበልዔ ዘበለ ንዘለኣለም ኪነብር እዩ። እዚ ኣነ ምእንቲ ህይወት ዓለም ዝህቦ እንጌራ ኸኣ ስጋይ እዩ። [52] ስለዚ ኣይሁድ፥ እዝስ፡ ስጋኡ ኽንበልዕ፡ ከመይ ገይሩ ኺህበና ይከኣሎ፤ ኢሎም ንሓድሕዶም ተኻትዑ። [53] የሱስ በሎም፥ ስጋ ወዲ ሰብ እንተ ዘይበላዕኩም፡ ደሙውን እንተ ዘይሰቴኹምሲ፡ ህይወት ከም ዜብልኩም፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [54] ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ናይ ዘለኣለም

ህይወት ኣላቶ፡ ኣነውን በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኽተንስኦ እየ። 55 ስጋይ ብልዒ ሓቂ እዩ እሞ፡ ደመይ
ከኣ መስተ ሓቂ እዩ። 56 እቲ ስጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ ኣባይ ይነብር፡ ኣነውን ኣብኡ። 57 ህያው ኣቦ
ኸም ዝለኣኸኒ እሞ ኣነ ስለ ኣቦ ብህይወት ከም ዘሎኹ፡ ከምኡ ኸኣ እቲ ዚበልዓኒ ስለይ ብህወት
ኪነብር እዩ። 58 እቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ እንጌራ እዚ እዩ፡ ከምቲ ኣቦታትኩም ዝበልዕዎ ማና እሞ
ዝሞቱ ኣይኮነን። ነዚ እንጌራ እዚ ዚበልዕሲ ንዘለኣለም ብህይወት ኪነብር እዩ። 59 ኣብ ቅፍርናሆም ኣብ
ቤት ጸሎት ኪምህር ከሎ እዩ እዚ እተዛረበ። 60 ብዙሓት ካብ ደቀ መዛሙርቱ ነዚ ሰሚዖም፡ እዚ ዘረባ
እዝስ ጭንቂ እዩ፡ መን ኪሰምዖ ይኽእል፧ በሉ። 61 የሱስ ድማ ደቀ መዛሙርቱ ብዛዕባዚ ኸም
ዘጕረምረሙ፡ ብልቡ ፈሊጡ፥ እዚዶ የዕንቅፈኩም ኣሎ፧ 62 ወዲ ሰብ ናብቲ ቐደም ዝነበሮ ኺድይብ
ከሎ እንተ ትርእዩ ደኣ፡ ከመይ እዩ፧ 63 መንፈስ እዩ ህያው ዚገብር፡ ስጋስ ገለ እኳ ኣይጠቅምን እዩ።
እዘን ኣነ ዝነገርኩኹም ቃላት፡ መንፈስ እየን ህይወትውን እየን። 64 የሱስ እቶም ዘይኣምኑ ኣየኖት
ምዃኖም፡ እቲ ዜትሕዞውን መን ምዃኑ ኻብ መጀመርታ ፈሊጡ ነበረ እሞ፥ 65 ዘይኣምኑ ግና ኣብ
ማእከልኩም ኣለዉ፡ ስለዚ ድማ እየ፥ እቲ ኻብ ኣቦይ እተዋህቦ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ናባይ ኪመጽእ
ዚኽእል የልቦን፡ ዝበልኩኹም፡ በሎም። 66 ካብ ሽዑ ጀሚሮም ብዙሓት ካብ ደቀ መዛሙርቱ ንድሕሪት
ተመልሱ ምስኡውን ኣይከዱን። 67 ስለዚ የሱስ ነቶም ዓሰርተው ክልተ፡ ንስኻትኩምከ ኽትከዱዶ ትደልዩ
ኣሎኹም፡ በሎም። 68 ስምኦን ጴጥሮስ ከኣ፥ ጐይታይ፡ ንስኻ ናይ ዘለኣለም ህይወት ቃል ኣሎካ፡ ናብ
መን እሞ ኽንከይድ፧ 69 ንሕናስ ንስኻ ክርስቶስ ወዲ ህያው ኣምላኽ ምዃንካ ኣሚንናን ፈሊጥናን ኣሎና፡
ኢሉ መለሰሉ። 70 የሱስ ከኣ፥ ኣነስ ንዓሰርተው ክልቴኹምዶ ሐርየኩም ኣይኰንኩን፡ ሓደ ኻባኻትኩም
ግና ድያብሎስ እዩ፡ ኢሉ መለሰሎም። 71 እዚ ዝበለ ኸኣ ብዛዕባ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦን እዩ።
ኬትሕዞ ዘለዎ ንሱ እዩ እሞ፡ ንሱውን ካብቶም ዓሰርተው ክልተስ ሓደ እዩ።

## ምዕራፍ 7

1 ድሕርዚ የሱስ፡ ኣይሁድ ኪቕትልዎ ይደልዩ ስለ ዝነበሩ፡ ኣብ ምድሪ ይሁዳ ኺዘውር ኣይፈተወን እሞ፡
ኣብ ገሊላ ይዘውር ነበረ። 2 እቲ ናይ ኣይሁድ በዓል ዳስ ድማ ቀሪቡ ነበረ። 3-5 ኣሕዋቱ ድማ ብእኡ
ኣይኣመኑን ነበሩ እሞ፡ ስለዚ እቶም ኣሕዋቱ፥ ባዕሉ ኺገሃድ እናደለየስ ብሕቡእ ዚገብር የልቦን እሞ፡
እዚ እትገብር እንተ ኼንካስ፡ ርእስኻ ንዓለም ግለጽ። ደቀ መዛሙርትኻ እትገብሮ ግብሪ ምእንቲ
ኺርእዩስ፡ ካብዚ ንቐል እሞ ናብ ምድሪ ይሁዳ ኺድ፡ በልዎ። 6 የሱስ ከኣ፥ ጊዜይ ገና ኣይበጽሔን፡
ጊዜኹም ግና ኵሉ ሳዕ እተዳለወ እዩ። 7 ዓለም ንኣኻትኩም ክትጸልእ ኣይከኣላን፡ ንኣይ ግና፡ ግብራ
ኽፉእ ምዃኑ እምስክር እየ እሞ፡ ትጸልኣኒ እያ። 8 ንስኻትኩም ደኣ ናብቲ በዓል ደይቡ። ኣነስ፡ ጊዜይ ገና
ኣይበጽሔን እዩ እሞ፡ ናብዚ በዓልዚ ገና ኣይድይብን እየ፡ በሎም። 9 እዚ ምስ በሎም፡ ኣብ ገሊላ ተረፈ።
10 እቶም ኣሕዋቱ ምስ ደየቡ ኸኣ፡ ንሱ ድማ ሽዑ ናብቲ በዓል ደየበ። ግናኸ ተሐቢኡ እምበር፡ ብግሁድ
ኣይኰነን። 11 ኣይሁድ ግና በቲ በዓል፥ ኣበይ ኣሎ ንሱ፧ እናበሉ ይደልይዎ ነበሩ። 12 እቶም እኩባት ህዝቢ
ድማ፡ ገሊኦም፥ ሕያዋይ እዩ፡ ይብሉ፡ ገሊኦም ድማ፡ ኣይኰነን፡ ንህዝቢ ደኣ የስሕት ኣሎ፡ እናበሉ
ብዛዕባኡ ይካትዑ ነበሩ። 13 ንኣይሁድ ስለ ዝፈርሁ ግና፡ ብዛዕባኡ ኣግሂዱ እተዛረበ የልቦን። 14 የሱስ ኣብ
ፍርቂ እቲ በዓል ናብ ቤተ መቕደስ ደዪቡ ይምህር ነበረ። 15 ስለዚ ኣይሁድ፡ እዝስ ከይተማህረ ኸመይ
ገይሩ ጽሑፋት ይፈልጥ፧ ኢሎም ተገረሙ። 16 ሽዑ የሱስ መሊሱ በሎም፥ ትምህርተይሲ ናይቲ ዝለኣኸኒ
እዩ እምበር፡ ናተይ ኣይኰነን። 17 ፍቓዱ ኺገብር ዚደሊ እንተሎ፡ ንሱ ብዛዕባ ትምህርተይ ካብ ኣምላኽ

እንተ ኾይኑ፡ ወይስ ካብ ርእሰይ እንተ ኾይኑ ዝዛረብ ዘሎኹ፡ ኪፈልጥ እዩ። 18 እቲ ኻብ ርእሱ
ዚዛረብ ክብረት ርእሱ እዩ ዚደሊ። እቲ ነቲ ዝለኣኾ ኬኽብር ዚደሊ ግና፡ ንሱ ሓቀኛ እዩ እሞ፡ ኣብኡ
ዓመጻ የልቦን። 19 ሙሴዶ ሕጊ ኣይሃበኩምን እዩ፧ ካባኻትኩም ሓደ እኳ ነቲ ሕጊ ዚገብሮ የልቦን።
ንምንታይ ደኣ ኽትቀትሉኒ ትደልዩ ኣሎኹም፧ 20 እቶም ህዝቢ ኸኣ፥ ጋኔን ኣሎካ፡ መን እዩ ኪቐትለካ
ዚደሊ፧ ኢሎም መለሱሉ። 21 የሱስ ከኣ፥ ሓደ ግብሪ ገበርኩ፡ ንዅላትኩም ድማ ኣስተንከረኩም። 22
ምእንትዚ ሙሴ ግዝረት ሰርዓልኩም፡- እዚ ድማ ካብ ኣቦታት እዩ እምበር፡ ካብ ሙሴ ኣይኰነን፡- ንሰብ
ብሰንበት ትገዝርዎ ኣሎኹም። 23 እቲ ሕጊ ሙሴ ምእንቲ ኸይፈርስሲ፡ ሰብ ብሰንበት ዚግዘር ካብ ኰነ፡
ኣነ ንሰብ ኵለንትናኡ ብሰንበት እንተ ኣሕዊኽዎ ደኣ፡ ስለምንታይ ትዅርዩለይ ኣሎኹም፡ 24 ቅኑዕ ፍርዲ
ፍረዱ እምበር፡ ላዕለ ላዕሊ ርኢኹም ኣይትፍረዱ፡ ኢሉ መለሰሎም። 25 ገለ ኻብ ሰብ የሩሳሌም ድማ፡
እቲ ኪቐትልዎ ዚደልዩስ፡ እዚዶ ኣይኰነን፧ 26 እንሆ፡ ንሱ ብግሁድ ይዛረብ ኣሎ፡ ንሳቶምውን ገለ
ኣይብልዎን፡ እዞም መኳንንቲ ደኾን ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ብሓቂ ፈሊጦም ኰይኖም፧ 27 ግናኸ እዚ
ካበይ ምዃኑ ንፈልጦ ኢና፡ ክርስቶስ ኪመጽእ ከሎ ግና፡ ካበይ ምዃኑ ዚፈልጥ የልቦን፡ በሉ። 28 የሱስ
ከኣ ኣብ ቤተ መቕደስ ኪምህር ከሎ፡ ዓው ኢሉ፥ ንኣይ ትፈልጡኒ፡ ካበይ ምዃነይውን ትፈልጡ
ኢኹም። ኣነ ብርሰይ ኣይመጻእኩን፡ እቲ ዝለኣኸኒ ግና ሓቀኛ እዩ፡ ንእኡ ንስኻትኩም ኣይትፈልጥዎን
ኢኹም። 29 ኣነ ግና ካብኡ እየ፡ ንሱውን ልኢኹኒ እዩ እሞ፡ እፈልጦ እየ፡ በለ። 30 ስለዚ ኺሕዝዎ ደለዩ።
ጊዜኡ ስለ ዘይበጽሐ ግና፡ ኢዱ ዘልዓለሉ የልቦን። 31 ካብቶም ዝህቢ ኸኣ ብዙሓት ብእኡ ኣመኑ እሞ፡
ክርስቶስ ምስ ዚመጽእከ፡ ካብዚ ንሱ ዝገበሮ ትእምርቲ ዚበዝሕዶ ኺገብር ኢሉ፧ በሉ። 32 ፈሪሳውያን
ድማ እቶም ህዝቢ ብዛዕባኡ እዚ ኢሎም ከም ዘጕረምረሙ ሰምዑ። ሊቃውንቲ ካህናትን ፈሪሳውያንን
ከኣ ኪሕዝዎ ገላዉኦም ለኣኹ። 33 ስለዚ የሱስ፥ ገና ቕሩብ ዘመን ምሳኻትኩም እየ፡ ናብቲ ዝለኣኸኒ ኸኣ
ክኸይድ እየ። 34 ክትደልዩኒ ኣይክትረኽቡንን ኢኹም፡ ናብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ኸኣ ንስኻትኩም ክትመጹ
ኣይኰነልኩምን እዩ፡ በሎም። 35 ስለዚ ኣይሁድ፥ ንሕና ኸንረኽቦ ዘይኰነልናስ እዚ ናበይ ኪኸይድ ኰን
ሐሊኑ እዩ፡ ናብቶም ኣብ ሃገር ጽርኢ ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ደኾን ኪኸይድ እሞ ነቶም ጽርኣውያን
ኪምህር ሐሲቡ ኾይኑ፧ 36 ክትደልዩኒ ኣይክትረኽቡንን ኢኹም፡ ናብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ኽትመጹ ድማ
ኣይኰነልኩምን፡ ዚብሎ ቓልሲ እንታይ እዩ፧ ተባሃሃሉ። 37 በታ ዳሕረይቲ ዓባይ መዓልቲ በዓል የሱስ
ደው ኢሉ ጨደረ በለውን፥ ዝጸምኤ እንተሎ፡ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ። 38 ብኣይ ዚኣምን፡ እቲ ጽሑፍ
ከም ዝበለ፡ ካብ ከብዱ ርባታት ማይ ህይወት ኪውሕዝ እዩ። 39 የሱስ ገና ስለ ዘይከበረ መንፈስ ቅዱስ
ኣይወረደን ነበረ እሞ፡ እዚ ብዛዕባቲ እቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኪቕበልዎ ዘለዎም መንፈስ እዩ እተዛረበ። 40
ሽዑ ኻብቶም ህዝቢ ሓያሎ እዚ ዘረባዚ ሰሚዖም፥ እዚ ብሓቂ እቲ ነብዩ እዩ፡ በሉ። 41 ካልኦትውን፥
እዚ ክርስቶስ እዩ፡ በሉ። ገሊኦም ግና፥ ክርስቶስ ደኾን ካብ ገሊላ ዚመጽእ ኰይኑ፧ 42 እቲ ጽሑፍዶ፡
ክርስቶስ ካብ ዘርኢ ዳዊት፡ ካብታ ዳዊት ዝነበራ ዓዲ፡ ካብ ቤት ልሄም፡ ከም ዚመጽእ፡ ኣይነግርን እዩ፡
በሉ። 43 ሽዑ ኣብቶም ህዝቢ ብዛዕባኡ ምፍልላይ ኰነ። 44 ገሊኦም ከኣ ኪሕዝዎ ደለዩ፡ ኢዱ ዘልዓለሉ
ግና የልቦን። 45 እቶም ገላዉ ኸኣ ናብ ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን መጹ። ንሳቶም ድማ፡ ከመይከ
ዘየምጻእኩምዎ፧ በልዎም። 46 እቶም ገላዉ፥ ከምዚ ሰብኣይዚ ገይሩ ከቶ ሰብ ኣይተዛረበን፡ ኢሎም
መለሱ። 47 ፈሪሳውያን ከኣ፥ ንስኻትኩምውንዶ ስሒትኩም ኢኹም፡ 48 ካብ መኳንንቲ ወይ ካብ
ፈሪሳውያንከ ብእኡ ዝኣመነዶ ኣሎ፧ 49 እዚ ሕጊ ዘይፈልጥ ህዝብዚ ግና ርጉም እዩ፡ ኢሎም መለሱሎም።
50 ሓደ ኻባታቶም፡ እቲ ቐድም ብለይቲ ናብ የሱስ ዝመጸ ኒቆዲሞስ፥ 51 ሕግናኸ ንሰብዶ፡ ቅድም
ከይተሰምዔን እቲ ዝገበሮ ኸይተፈልጠን፡ ይፈርዶ እዩ፧ በሎም። 52 ንሳቶም፥ ንስኻውንዶ ኻብ ገሊላ

ኢኻ፧ መርምር እሞ ካብ ገሊላ ነብዪ ኸም ዘይትንስእ ክትርኢ ኢኻ፡ ኢሎም መለሱሉ። 53 ኵሎም ከኣ
ነናብ ቤቶም ከዱ።

## ምዕራፍ 8

1 የሱስ ግና ናብ ደብረ ዘይቲ ኸደ። 2 ምድሪ ምስ ወግሔ፡ ኣንጊሁ ኸም ብሓድሽ ናብ ቤተ መቕደስ
መጸ። ብዘሎ እቲ ህዝቢውን ናብኡ መጸ፡ ተቐሚጡ ኸኣ ይምህሮም ነበረ። 3 ጸሓፍትን ፈሪሳውያንን
ድማ ኣብ ዝሙት እተረኽበት ሰበይቲ ናብኡ ኣምጺኦም፡ ኣብ ማእከል ደው ኣቢሎም፥ 4 መምህር፡ እዛ
ሰበይቲ እዚኣ ኽትዝሙ ኸላ ተትሒዛ። 5 ከምዚኣ ዝበለት ከኣ ብዳርባ እምኒ ኽትመውት፡ ሙሴ ብሕጊ
ኣዚዙና ኣሎ፡ ንስኻኸ ብዛዕባኣ እንታይ ትብል፡ በልዎ። 6 መኽሰሲ ምእንቲ ኺረኽቡሉ፡ እዚ ኢሎም
ፈተንዎ። የሱስ ከኣ ደኒኑ በጻብዑ ኣብ ምድሪ ጸሓፈ። 7 ደጋጊሞም ምስ ሐተትዎ ኸኣ፡ ቅንዕ ኢሉ፡
ካባኻትኩም ሓጢኣት ዜብሉ፡ ንሱ ቐድም እምኒ የውድቕላ፡ በሎም። 8 ከም ብሓድሽ ከኣ ደኒኑ ኣብ
ምድሪ ጸሓፈ። 9 ንሳቶም ግና እዚ ምስ ሰምዑ፡ ብሕሊናኦም ተረትዑ እሞ፡ ካብ ዓበይቲ ጀሚሮም ክሳዕ
እቶም ዳሕሮት፡ ኵሎም በብሓደ ወጹ። የሱስ ምስታ ኣብ ማእከል ደው ኢላ ዘላ ሰበይቲ በይኑ ተረፈ።
10 የሱስ ከኣ ቕንዕ ኢሉ ብዘይ እታ ሰበይቲ ሓደ እኳ ኸም ዜልቦ ምስ ረኣየ፡ ኣቲ ሰበይቲ፡ እቶም
ከሰስትኺ ደኣ ኣበይ ኣለዉ፡ ዝፈረደኪዶ የልቦን፡ በላ። 11 ንሳ ኸኣ፡ ሓደ እኳ፡ ጐይታይ፡ በለቶ። የሱስ
ድማ፡ ኣነውን ኣይፈርደክን እየ፡ ኪዲ እሞ ደጊም ኣይትበድሊ፡ በላ። 12 ሽዑ የሱስ፡ ኣነ ብርሃን ዓለም
እየ። እቲ ዚስዕበኒ ብርሃን ህይወት ኪረክብ እምበር፡ ብጸልማት ኣይኪኸይድን እዩ፡ ኢሉ ኸም ብሓድሽ
ተዛረቦም። 13 ፈሪሳውያን ከኣ፡ ንስኻ ንርእስኻ ትምስክር ኣሎኻ፡ ምስክርካ ሓቂ ኣይኮነን፡ በልዎ። 14
የሱስ መሊሱ በሎም፡ ኣነ ንርእሰይ እኳ እንተ መስከርኩ፡ ካበይ ከም ዝመጻእኩ ናበይውን ከም
ዝኸይድ፡ እፈልጥ እየ እሞ፡ ምስክረይ ሓቂ እዩ። ንስኻትኩም ግና ካበይ ከም ዝመጻእኩ ናበይውን ከም
ዝኸይድ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም። 15 ንስኻትኩም ፍርዲ ስጋ ኢኹም እትፈርዱ ዘሎኹም፡ ኣነስ ንሓደ
እኳ ኣይፈርድን እየ። 16 ኣነን እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦን ኢና እምበር፡ በይነይ ኣይኮንኩን እሞ፡ ኣነ እንተ
ፈረድኩ ኸኣ፡ ፍርደይ ሓቂ እዩ። 17 ምስክር ክልተ ሰብሲ ሓቂ ምዃኑ ኣብቲ ሕግኹም ጽሑፍ ኣሎ። 18
ኣነ እየ ብናይ ርእሰይ ዝምስክር ዘሎኹ፡ እቲ ዝለኣኸኒ ኣቦይውን ይምስክረለይ ኣሎ። 19 ስለዚ ኸኣ፡
ኣቦኻኸ ኣበይ ኣሎ፡ በልዎ። የሱስ ድማ፡ ንኣይ ወይስ ነቦይ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ንኣይ እንተ
ትፈልጡኒ ግና፡ ነቦይውን ምፈለጥኩምዎ ኔርኩም፡ ኢሉ መለሰ። 20 የሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ጥቓ
ሳጹን ምጽዋት ኰይኑ ኺምህር ከሎ፡ እዚ ቓልዚ ተዛረበ። ግናኸ ጊዜኡ ገና ስለ ዘይበጽሔ፡ ዝሐዞ
የልቦን። 21 ስለዚ የሱስ ከም ብሓድሽ፥ ኣነ እኸይድ ኣሎኹ፡ ክትደልዩኒ ኢኹም፡ ብሓጢኣትኩም ከኣ
ክትሞቱ ኢኹም። ናብቲ ኣነ ዝኸዶ ንስኻትኩም ክትመጹ ኣይኮነልኩምን እዩ፡ በሎም። 22 ሽዑ
ኣይሁድ፡ ናብቲ ኣነ ዝኸዶ ንስኻትኩም ክትመጹ ኣይኮነልኩምን እዩ ምባሉስ፡ ንነፍሱ ደኾን ኪቐትላ
ኢሉ፡ በሉ። 23 ንሱ ኸኣ፡ ንስኻትኩም ካብ ታሕቲ ኢኹም፡ ኣነ ኻብ ላዕሊ እየ። ንስኻትኩም ካብዛ
ዓለም እዚኣ ኢኹም፡ ኣነ ኻብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮንኩን። 24 ኣነ ምዃነይ እንተ ዘይኣመንኩም፡
ብሓጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም እሞ፡ ስለዚ እየ፡ ብሓጢኣትኩም ክትሞቱ ኢኹም፡ ዝበልኩኹም፡
በሎም። 25 ሽዑ ንሳቶም፡ ንስኻ መን ኢኻ፧ በልዎ። የሱስ ከኣ፡ ኣነ እቲ ኻብ ቀደም እነግረኩም ዝነበርኩ
እየ። 26 ብዛዕባኹም ዝዛረቦን ዝፈርዶን ብዙሕ ኣሎኒ። እቲ ዝለኣኸኒ ግና ብዓል ሓቂ እዩ፡ ካብኡ
ዝሰማዕክዎ ንዓለም እነግር ኣሎኹ፡ በሎም። 27 ንሳቶም፡ ብዛዕባ ኣቦ ኸም እተዛረቦም፡ ኣይፈለጡን። 28

ስለዚ የሱስ፡ ንወዲ ሰብ ልዕል ምስ ኣበልኩምዎ፡ ከምቲ ኣቦይ ዝመሃረኒ ኸምኡ ኸም ዝነግር እምበር፡
ኣነ ምኺነይን ካብ ርእሰይ ሓንቲ ኸም ዘይገብርን፡ ሽዑ ኽትፈልጡ ኢኹም። 29 እቲ ዝለኣኸኒ ኸኣ ምሳይ
ኣሎ። ኵሉ ሳዕ ባህ ዜብሎ እገብር እየ እሞ፡ በይነይ ኣይሐድገንን እዩ፡ በሎም። 30 ንሱ እዚ ምስ ተዛረበ፡
ብዙሓት ብእኡ ኣመኑ። 31 ስለዚ የሱስ ነቶም ብእኡ ዝኣመኑ ኣይሁድ፡ ንስኻትኩም ኣብ ቃለይ እንተ
ጸናዕኩም፡ ብሓቂ ደቀ መዛሙርተይ ኢኹም። 32 ንሓቂ ኽትፈልጥዋ ኢኹም፡ እታ ሓቂ ድማ ሓራ
ኽተውጽኣኩም እያ፡ በሎም። 33 ንሳቶም ከኣ፥ ንሕና ዘርኢ ኣብርሃም ኢና፡ ባሮት ኲይንና ተገዛእናዮ ከቶ
የብልናን። ከመይ ኢልካ ኢኻ ሓራ ኽትወጹ ኢኹም እትብለና ዘሎኻ፧ ኢሎም መለሱሉ። 34 የሱስ
መለሰሎም፥ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፥ ሓጢኣት ዚገብር ዘበለ፡ ንሱ ባርያ ሓጢኣት እዩ። 35
ባርያ ኸኣ ኣብ ቤት ንዅሉ ጊዜ ኣይነብርን፡ ውሉድ ግና ንዅሉ ጊዜ ይነብር እዩ። 36 ስለዚ ወዲ ሓራ
እንተ ኣውጽኣኩም፡ ብሓቂ ውጹኣት ሓራ ኽትኰኑ ኢኹም። 37 ንስኻትኩም ዘርኢ ኣብርሃም
ምኺንኩምሲ እፈልጥ ኣሎኹ። ቃለይ ኣባኻትኩም ስለ ዘይኣተወ ግና፡ ክትቀትሉኒ ትደልዩ ኣሎኹም፡ 38
ኣነ ኣብ ኣቦይ ዘርኤኽዎ እዛረብ ኣለኹ፡ ንስኻትኩም ከኣ ኣብ ኣቦኹም ዝርኤኹምዎ ትገብሩ ኣሎኹም።
39 ንሳቶም፥ ኣቦናስ ኣብርሃም እዩ፡ ኢሎም መለስሉ። የሱስ ከኣ፥ ውሉድ ኣብርሃም እንተ ትኾኑስ፡
ግብሪ ኣብርሃም ምገበርኩም ኔርኩም። 40 ሕጂ ግና ንኣይ፡ ካብ ኣምላኽ ዝሰማዕክዎ ሓቂ ንዝነገርኩኹም
ሰብኣይ፡ ክትቀትሉኒ ትደልዩ ኣሎኹም፡ ኣብርሃም ከምዚ ኣይገበረን። 41 ንስኻትኩምሲ ግብሪ ኣቦኹም
ደኣ ትገብሩ ኣሎኹም፡ በሎም። ንሳቶም፥ ንሕናስ ካብ ምንዝርና ኣይተወለድናን። ሓደ ኣቦ ኣሎና፡ ንሱ
ኸኣ ኣምላክ እዩ፡ በልዎ። 42 የሱስ በሎም፥ ኣነ ኻብ ኣምላኽ እየ ዝወጻእኩን ዝመጻእኩን እሞ፡ ንሱ ደኣ
ልኢኹኒ እዩ እምበር፡ ባዕለይ ኣይመጻእኩን፡ ስለዚ ኣቦኹም ኣምላኽ እንተ ዚኸውንሲ፡ ንኣይ
መፍቀርኩምኒ ኔርኩም። 43 ስለምንታይከ ኢኹም ዘረባይ ዘይተስተውዕሉ፡ ቃለይ ክትሰምዑ ስለ
ዘይኰነልኩም እዩ። 44 ንስኻትኩም ካብቲ ኣቦኹም ድያብሎስ ኢኹም፡ እታ ትምኒት ኣቦኹም
ክትገብሩውን ትደልዩ ኣሎኹም። ንሱ ኻብ መጀመርያ ቐታል ነፍሲ እዩ፡ ሓቂ ኣብኡ ስለ ዜልቦውን ኣብ
ሓቂ ኣይጸንዔን። ሐሶት ኪዛረብ ከሎ፡ ካብ ርእሱ እዩ ዚዛረብ። ሓሳዊ እዩ እሞ፡ ንሓሶትውን ኣቦኣ እዩ።
45 ንኣይ ግና፡ ሓቂ ስለ ዝነገርኩ፡ ኣይትኣምኑንን። 46 ካባኻትኩም ብሓጢኣት ዚረትዓኒኸ መን ኣሎ፧ ሓቂ
ዝዛረብ ካብ ኰንኩኸ፡ ስለምንታይ ደኣ ዘይትኣምኑኒ፧ 47 እቲ ኻብ ኣምላኽ ዝዀነ ንቓል ኣምላኽ
ይሰምዕ እዩ። ንስኻትኩም ግና ካብ ኣምላኽ ኣይኰንኩምን እሞ፡ ስለዚ ኢኹም ዘይትሰምዑ። 48
ኣይሁድ ከኣ፥ ሳምራዊ ምኳንካ ጋኔንውን ከም ዘሎካስ፡ ጽቡቕዶ ንብል ኣየሎናን፧ ኢሎም መለሱሉ። 49
ሽዑ የሱስ፡ ኣነስ ነቦይ ደኣ ኤኽብር ኣሎኹ እምበር፡ ጋኔንሲ የብለይን። ንስኻትኩም ከኣ ተሕስሩኒ
ኣሎኹም። 50 ኣነ ንርእሰይ ክብረት ኣይደልን እየ፡ እቲ ዝደልን ዚፈርድን ግና ኣሎ። 51 ቃለይ ዚሐሉ
እንተሎ፡ ንዘለኣለም ሞት ከም ዘይርኢ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሎም። 52
ኣይሁድ ድማ፥ ጋኔን ከም ዘሎካ፡ ሕጂ ፈለጥና። ኣብርሃም እኳ ሞይቱ ነብያትውን። ንስኻ ግና፥ ቃለይ
ዚሐሉ ንዘለኣለም ሞት ኣይጥዕምን እዩ ትብል ኣሎኻ። 53 ካብቲ ዝሞተ ኣቦና ኣብርሃምዶ ንስኻ ትዓቢ፧
ነብያትውን ሞይቶም። ንርእስኻ መን ትገብራ ኣሎኻ፧ በልዎ። 54 የሱስ ከኣ፥ ኣነ ርእሰይ እንተ ኣኽበርኩ፡
ክብረተይ ፍረ የብሉን። ዜኽብረንስ እቲ ንስኻትኩም ኣምላኽና እትብልዎ ኣቦይ እዩ። 55 ንስኻትኩም
ኣይትፈልጥዎን ኢኹም፡ ኣነ ግና እፈልጦ እየ። ኣይፈልጦን እንተ ዝብል ከኣ፡ ከማኻትኩም ሓሳዊ
ምኾንኩ ነይረ። ኣነ ግና እፈልጦ፡ ቃሉውን እሕሉ እየ። 56 ኣቦኹም ኣብርሃም መዓልተይ ኪርኢ
ተሐጒሰ፡ ረኣያ እሞ ባህ በሎ፡ ኢሉ መለሰሎም። 57 ኣይሁድ ከኣ፡ ገና ሓምሳ ዓመት እኳ ዘይገበርካስ፡
ንኣብርሃምዶ ርኢኻዮ ኢኻ፧ በልዎ። 58 የሱስ ከኣ፥ ኣነ፡ ኣብርሃም ከይተወልደ፡ ከም ዘሎኹ፡ ብሓቂ

እብለኩም አሎኹ፡ በሎም። 59 ስለዚ ኺድርብዩሉ እምኒ ኣልዐሉ። የሱስ ግና ተሐብኤ ኻብ ቤተ
መቕደስውን ብማእከሎም ሐሊፉ ወጸ።

## ምዕራፍ 9

1 ኪሐልፍ ከሎ፡ ብዕዉሩ እተወልደ ሰብኣይ ረኣየ። 2 ደቀ መዛሙርቱ ድማ፥ መምህር፡ ዕዉር ኰይኑ
ዚውለድሲ መን እዩ ዝበደለ፡ ንሱዶ ወይስ ወለዱ፧ ኢሎም ሐተትዎ። 3 የሱስ ከኣ፡ ግብሪ ኣምላኽ ኣብኡ
ምእንቲ ኺገሃድ ደኣ እዩ እምበር፡ ንሱ ኣይበደለ፡ ወለዱ ኣይበደሉ። 4 መዓልቲ ኽላ፡ ግብሪ እቲ ዝለኣኸኒ
ኽገብር ይግብኣኒ እዩ፡ ሓደ እኳ ኺዓየላ ዘይከኣሎ ለይቲ ትመጽእ ኣላ። 5 ኣነ ኣብ ዓለም ከሎኹ፡ ብርሃን
ዓለም እየ፡ ኢሉ መለሰሎም። 6 እዚ ኢሉ ናብ ምድሪ ጡፍ በለ፡ በቲ ጥፍጣፉውን ጸብሪ ገበረ፡ በቲ
ጸብሪ ኸኣ ኣዒንቲ እቲ ዕዉር ለኸየ እሞ፥ 7 ኣብቲ ቐላይ ሰሊሆም ትርጓሚኡ ልኡኽ፡- ኬድካ ተሐጸብ፡
በሎ። ከይዱ ተሐጽበ፡ እናረኣየውን ተመልሰ። 8 ስለዚ እቶም ጐረባብቱን እቶም ቀደም ኪልምን ከሎ
ዚርእይዎ ዝነበሩን፥ እዝስ እቲ ተቐሚጡ ዚልምን ዝነበረ ደይኰነን፧ በሉ። 9 ገሊኦም፥ ንሱ እዩ፡ በሉ።
ካልኦት ከኣ፥ ኣይኰነን፡ ንእኡ ደኣ እዩ ዚመስል፡ በሉ። ንሱ ግና ኣነባ እየ፡ በለ። 10 ስለዚ ንሳቶም፥ ከመይ
ኢለን ደኣ ኣዒንትኻ ተኸፍታ፡ በልዎ። 11 ንሱ ኸኣ፥ እቲ የሱስ ዚብሃል ሰብኣይ፡ ጸብሪ ገይሩ ኣዒንተይ
ልኸዩ፥ ኪድ እሞ ናብ ሰሊሆም ተሐጸብ፡ በለኒ። ከድኩ እሞ ተሐጺበ ርኤኹ፡ ኢሉ መለሰሎም። 12 እቲ
ሰብኣይ እቲኸ ኣበይ አሎ፧ በልዎ። ንሱ ኸኣ፥ ኣይፈልጥን፡ በሎም። 13 ነቲ ቐድም ዕዉር ዝነበረ ናብ
ፈሪሳውያን ወሰድዎ። 14 እታ የሱስ ጸብሪ ገይሩ ኣዒንቱ ዝኸፈተላ መዓልቲ ግና ሰንበት እያ ዝነበረት። 15
ስለዚ ፈሪሳውያን፡ ከመይ ኢሉ ኸም ዝረኣየ፡ ከም ብሓድሽ ሐተትዎ። ንሱ ኸኣ፥ ጽብሪ ኣብ ኣዒንተይ
ገበረለይ፡ ተሐጸብኩ እሞ ርኤኹ፡ በሎም። 16 ሽዑ ኻብቶም ፈሪሳውያን ሓያሎ፥ እዚ ሰብኣይ እዚ
ሰንበት ካብ ዘየኽብርስ ካብ ኣምላኽ ኣይኰነን፡ በሉ። ካልኦት ድማ፥ ሓጥእ ሰብ ደኣ ኸመይ ገይሩ
ኸምዚ ዝበለ ተኣምራት ኪገብር ይክእል፧ በሉ። ኣብ መንጎኦም ከኣ ምፍልላይ ኰነ። 17 ሽዑ መሊሶም
ነቲ ዕዉር፡ ንስኻኸ፡ ኣዒንትኻ ኸፊቱልካ እዩ እሞ፡ ብዛዕባኡ እንታይ ትብል፧ በልዎ። ንሱ ድማ፥ ነብዩ
እዩ፡ በለ። 18 እቶም ኣይሁድ ግና ንወለዲ እቲ ኣዒንቱ እተኸፍታሉ ኽሳዕ ዚጽውዑ፡ ዕዉር ነይሩስ ከም
ዝረኣየ ኣይኣመንዎን እሞ፥ 19 እዚዶ እቲ ብዕዉሩ ተወሊዱ እትብልዎ ወድኹም እዩ፧ ሕጂ ኸመይ ኢሉ
ይርኢ አሎ፧ ኢሎም ሐተትዎም። 20 እቶም ወለዱ ድማ፥ እዚ ወድና ምዃኑ ብዕዉሩውን ከም
እተወልደ፡ ንፈልጥ። 21 ሕጂ ግና ከመይ ኢሉ ኸም ዝረኣየ ኣይንፈልጥን፡ መንሲ ኣዒንቱ ኸም
ዝኸፈተሉ፡ ኣይንፈልጥን ኢና። ንእኡ ሕተትዎ፡ ንሱ በጽሒ እዩ፡ ብናይ ርእሱ ባዕሉ ይዛረብ፡ ኢሎም
መለሱ። 22 ኣይሁድ፡ ንሱ ክርስቶስ እዩ፡ ኢሉ ንዝመስከረ ኻብ ቤት ጸሎት ኪስጕዎ ሓጊጎም ነበሩ እሞ፡
እቶም ወለዱ ንኣይሁድ ስለ ዝፈርሁ እዮም እዚ ዝበሉ። 23 ስለዚ እቶም ወለዱ፥ ንሱ በጽሒ እዩ፡ ንእኡ
ሕተትዎ፡ በሉ። 24 ሽዑ ነቲ ዕዉር ዝነበረ ሰብኣይ ካልኣይ ሳዕ ጸዊዖም፥ እዚ ሰብኣይ እዚ ሓጥእ ምዃኑ
ንሕና ንፈልጥ ኢና፡ ንኣምላኽ ክብሪ ሃብ፡ በልዎ። 25 ሽዑ ንሱ መሊሱ፥ ኣነስ ሓጥእ ምዃኑ ኣይፈልጥን።
ዕዉር ከም ዝነበርኩን ሕጂ እርኢ ኸም ዘሎኹን፡ እዛ ሓንቲ ነገር እዚኣ እየ ዝፈልጥ፡ በሎም። 26 ሽዑ
ንሳቶም፥ እንታይከ ገበረልካ፧ ከመይ ገይሩስ ኣዒንትኻ ኸፈተልካ፧ በልዎ። 27 ንሱ ኸኣ፥ ቅድሚ ሕጂ
ነጊረኩም ኣይሰማዕኩምን። ንምንታይ ከም ብሓድሽ ክትሰምዑ ትደልዩ አሎኹም፧ ንስካትኩምውንዶ
ደቀ መዛሙርቱ ኽትኰኑ ትደልዩ አሎኹም፧ ኢሉ መለሰሎም። 28 ጸረፍዎ እሞ፥ ንስኻ ወደ መዝሙሩ
ኢኻ፡ ንሕና ግና ደቀ መዛሙርቲ ሙሴ ኢና። 29 ንሕናስ፡ ኣምላኽ ንሙሴ ኸም እተዛረቦ፡ ንፈልጥ

ኣሎና። እዚ ግና ካበይ ምዃኑ ኣይንፈልጥን ኢና፡ በልዎ። [30] እቲ ሰብኣይ ከኣ፥ ካበይ ምዃኑ
ዘይምፍላጥኩም ዜገርም እዩ፡ ንኣይ ግና ኣዒንተይ ከፊቱለይ። [31] ንኣምላኽ ዚፈርህ ፍቓዱውን ዚገብር
እንተሎ፡ ንእኡ ይሰምዖ እምበር፡ ኣምላኽ ንሓጥኣን ከም ዘይሰምዖም፡ ንፈልጥ ኢና። [32] ንብዕዉሩ
እተወልደ ሰብ ሓደ እኳ ኣዒንቱ ኸም ዝኸፈተሉ፡ ካብ ጥንቲ ከቶ ኣይተሰምዔን። [33] እዚ ኻብ ኣምላኽ
እንተ ዘይከውንሲ፡ ገለ ኺገብር እኳ ኣይምተኻእሎን ነይሩ፡ ኢሉ መለሰሎም። [34] ንሳቶም ከኣ፥ ንስኻ
ኹለንትናኻ ብሓጢኣት እተወለድካ ኢኻ፡ ንስኻዶ ንኣና ትምህረና አሎኻ፧ ኢሎም መለሰሉ፡ ናብ
ወጻኢውን ኣውጽእዎ። [35] የሱስ፡ ናብ ወጻኢ ኸም ዘውጽእዎ፡ ሰምዔ። ምስ ረኸቦ ኸኣ፥ ኣታ፡ ብወዲ
ኣምላኽዶ ትኣምን ኢኻ፧ በሎ። [36] ንሱ ኸኣ፥ ጐይታይ፡ ብእኡ ኽኣምንሲ መን እዩ ንሱ፧ ኢሉ መለሰ። [37]
የሱስ ድማ፥ ርኢኻዮ፡ እዚ ምሳኻ ዚዛረብ ዘሎ ንሱ እዩ፡ በሎ። [38] ንሱ ኸኣ፥ ጐይታይ፡ እኣምን፡ በለ
ሰገደሉውን። [39] የሱስ ድማ፥ ኣነ እቶም ዘይርእዩ ምእንቲ ኺርእዩ፡ እቶም ዚርእዩ ኸኣ ኪዖሩ፡ እየ ናብዛ
ዓለም እዚኣ ንፍርዲ ዝመጻእኩ፡ በለ። [40] ካብቶም ምስኡ ዘለዉ ፈሪሳውያን ሓያሎ እዚ ሰሚዖም፥
ንሕናኸ ዕዉራት ምዃንና ዲና፧ በልዎ። [41] የሱስ ድማ፥ ዕዉራት እንተ ትኾኑስ፡ ሓጢኣት
ኣይምኾነኩምን ነይሩ። ሕጂ ግና፥ ንርኢ ኣሎና፡ ትብሉ ኣሎኹም፡ ስለዚ ሓጢኣትኩም ጸኒዑ ይነብር፡
በሎም።

## ምዕራፍ 10

[1] እቲ ናብ ደምበ ኣባጊዕ ብኣፍ ደገ ዘይኣቱ፡ ብኻልእ ወገን ዚሐኵር፡ ንሱ ሰራቕን ጕሒላን ከም ዝኾነ፡
ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [2] እቲ ብኣፍ ደገ ዚኣቱ ግና፡ ንሱ ጓሳ ኣባጊዕ እዩ። [3] ንእኡ እቲ ሓላው
ደገ ይኸፍተሉ፡ እተን ኣባጊዕውን ቃሉ ይሰምዓ። ነተን ኣባጊዑ ኸኣ በብሰመን ጸዊዑ የውፍረን። [4] ነተን
ኣባጊዕ ምስ ኣውፍረን ድማ፡ ቀቅድሜኤን ይኸይድ፡ እተን ኣባጊዕውን ድምጹ የለልያ እየን እሞ፡
ይስዕባኦ። [5] ድምጺ ኻልእ ዘይፈልጣ ስለ ዝኾና፡ ንኻልእ፡ ካብኡ ይገልባ እምበር፡ ኣይስዕባኦን እየን። [6]
የሱስ እዚ ምስላዚ መሰለሎም፡ ንሳቶም ግና ነቲ እተዛረቦም ኣየስተውዓልዎን። [7] ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ
በሎም፥ እቲ ደገ ኣባጊዕ ኣነ ከም ዝኾንኩ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [8] እቶም ቅድመይ ዝመጹ
ኹላቶም ሰረቕትን ጓሓሉትን እዮም፡ እተን ኣባጊዕ ግና ኣይሰምዓኦምን እየን። [9] እቲ ደገ ኣነ እየ። ብኣይ
ዚኣቱ ኪድሕን፡ ኪኣቱን ኪወጽእን መጓሰዩውን ኪረክብ ኣዩ። [10] ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን
ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፉ ምእንቲ ኺረክባ እየ ዝመጻእኩ። [11] እቲ
ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። እቲ ሕያዋይ ጓሳ ህይወቱ በጃ ኣባጊዑ የሕልፉ። [12] እቲ ብዓል ዓስቢ ግና፡ ጓሳ
ዘይኮነስ፡ እተን ኣባጊዕውን ዘይጥሪቱ፡ ተኹላ ኺመጽእ ከሎ እንተ ረኣየ፡ ነተን ኣብጊዕ ሐዲግወን
ይሃድም። እቲ ተኹላ ድማ ነተን ኣባጊዕ ይዛረፈን ፋሕውን የብለን። [13] ብዓል ዓስቢ እዩ እሞ፡ ይሃድም፡
ግዲ እተን ኣባጊዕውን የብሉን። [14] ሕያዋይ ጓሳ ኣነ እየ። ነባጊዔይ እፈልጠን እተን ኣባጊዔይውን
ይፈልጣኒ እየን። [15] ከምቲ ኣቦ ንኣይ ዚፈልጠኒ፡ ኣነውን ነቦ እፈልጦ እየ። ንነፍሰይ ከኣ በጃ እተን ኣባጊዕ
ኤሕልፋ። [16] ካብዚ መጓሰ እዚ ዘይኮና ኻልኦት ኣባጊዕውን ኣለዋኒ። ንኣታተን ድማ ከምጽኤን እየ፡
ቃለይውን ኪሰምዓ እየን። ሓደ መጓሰ ኪኾና እየን ጓሳኤንውን ሓደ። [17] ኣነ ንነፍሰይ በጃ ኸሕልፋ፡
መሊሰውን ክወስዳ እየ እሞ፡ ስለዚ ኣቦ የፍቅረኒ እዩ። [18] ባዕለይ እየ በጃ ዘሕልፋ እምበር ካባይ
ዝወስዳስ የልቦን። በጃ ኸሕልፋ ስልጣን ኣሎኒ፡ መሊሰ ኽወስዳውን ስልጣን ኣሎኒ። ነዛ ትእዛዝ እዚኣ
ኻብ ኣቦይ እየ እተቐበልክዋ። [19] ብዛዕባ እዚ ዘረባ እዚ ድማ ኣብ ማእከል ኣይሁድ ከም ብሓድሽ

ምፍልላይ ኰነ። 20 ሽዑ ኻባታቶም ብዙሓት፥ ጋኔን ሒዝዎ ይዓብድ አሎ፡ እንታይ ኢልኩምዎ ኢኹም
እተሰምዕዎ፣ በሉ። 21 ካልኦት ግና፥ እዚ ዘረባ እዚ ዘረባ ዕቡድ ኣይኰነን። ጋኔንዶ ኣዒንቲ ዕዉራት
ኪኸፍት ይከኣሎ እዩ፣ በሉ። 22 ኣብ የሩሳሌም በዓል ምሕዳስ ቤተ መቕደስ ኰነ፡ ክረምቲ ኸኣ ነበረ። 23
የሱስ ድማ ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ ገበላ ሰሎሞን ይመላለስ ነበረ። 24 ሽዑ ኣይሁድ ኣኸበብዎ እሞ፥ ክሳዕ
መኣዝከ ኢኻ ላሕ እተብለና፡ ንስኻ ክርስቶስ እንተ ኼንካ፡ ኣግሂድካ ንገረና፡ በልዎ። 25 የሱስ
መለሰሎም፥ ነጊረኩም ኣይኣመንኩምን። እዚ ብስም ኣቦይ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ይምስክረለይ
ኣሎ። 26 ንስኻትኩም ግና፡ ከምቲ ዝበልኩኹም፡ ካብተን ኣባጊዔይ ስለ ዘይኰንኩም፡ ኣይትኣምኑን
ኢኹም። 27 እተን ኣባጊዔይ ግና ድምጸይ ይሰምዓ፡ ኣነ ኸኣ ኤለልየን፡ ንሳተንውን ይስዕባኒ። 28 ኣነ ኸኣ
ህይወት ዘለኣለም እህበን፡ ንዘለኣለም ድማ ኣይጠፍኣን እየን፡ ካብ ኢደይውን ዚምንዝዔን የልቦን። 29
እቲ ንኣታተን ዝሃበኒ ኣቦይ ካብ ኵሉ ይዓቢ እዩ' ካብ ኢድ ኣቦይ ሓደ እኳ ኺምንዝዔን ዚኽእል
የልቦን። 30 ኣነን ኣቦን ሓደ ኢና። 31 ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ኪቕትልዎ ኸም ብሓድሽ እምኒ ኣልዓሉ። 32
የሱስ ከኣ፥ ካብ ኣቦይ ብዙሕ ሰናይ ግብርታት ኣርኤኹኹም። ስለ ኣያናዩ ግብሪ ኢኹም ብዳርባ እምኒ
ኽትቀትሉኒ እትደልዩ ዘሎኹም፣ ኢሉ መለሰሎም። 33 ኣይሁድ ከኣ፥ ስለቲ ምጽራፍካን ሰብ ክነስኻ
ንፍስኻ ኣምላኽ ስለ ምግባርካን እምበር፡ ስለቲ ጽቡቕ ግብርታትካስ ኣይኰንናን ብእምኒ እንቕትለካ፡
ኢሎም መለስሉ። 34 የሱስ መለሰሎም፥ ኣብ ሕግኹም፥ ኣነ፥ ኣማልኽቲ ኢኹም፡ በልኩ፡ ዚብልዶ
ኣይተጻሕፈን እዩ፣ 35 ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝመጾሎም ኣማልኽቲ ኻብ ዚብሎም፡ ጽሑፍ ኪፈርስ
ኣይከኣልን እዩ፦ 36 ነቲ ኣቦ ዝቐደሶ ናብ ዓለምውን ዝለኣኾ ግዳ፡ ወዲ ኣምላኽ እየ ስለ ዝበልኩኹም፡
ከመይ ኢልኩም፥ ትጸረፍ ኣሎኻ፡ ትብሉኒ ኣሎኹም፣ 37 ግብሪ ኣቦይ እንተ ዘይገበርኩ፡ ኣይትእመኑኒ። 38
እንተ ገበርኩ ግና፡ ኣቦ ኣባይ ምህላዉ፡ ኣነውን ኣብ ኣቦ ምህላወይ ምእንቲ ኽትፈልጡን
ከተስተብህሉንሲ፡ ንኣይ እኳ እንተ ዘይኣመንኩምኒ፡ ነቲ ግብረይ እመንዎ። 39 መሊሶም ድማ ኪሕዝዎ
ደለዩ፡ ንሱ ግና ካብ ኣእዳዎም መለቘ። 40 ከም ብሓድሽ ናብታ ዮሃንስ ቀደም የጥምቐላ ዝነበረ ስፍራ
ናብ ማዕዶ ዮርዳኖስ ከደ፡ ኣብኣውን ተቐመጠ። 41 ብዙሓት ድማ ናብኡ መጺኦም፥ ዮሃንስ ሓንቲ
ተኣምራት እኳ ኣይገበረን፥ እቲ ዮሃንስ ብዛዕባኡ እተዛረቦ ዘበለ ኹሉ ግና ሓቂ ኹነ፡ በሉ። 42
ኣብኡውን ብዙሓት ብእኡ ኣመኑ።

# ምዕራፍ 11

1 ኣብ ቢታንያ፡ ኣብታ ዓዲ ማርያምን ማርታ ሓብታን፡ ኣልኣዛር ዝስሙ ሕሙም ሰብኣይ ነበረ። 2
ማርያም እታ ንጐይታ ቕዱይ ቅብኢ ዝለኸየቶ፡ ብጸጕሪ ርእሳውን ኣእጋሩ ዝደረዘቶ እያ፡ እቲ
ሕሙምውን ኣልኣዛር ሓዋ እዩ። 3 ስለዚ እተን ኣሓቱ፥ ጐይታይ፡ እቲ እተፍቅሮስ እንሆ፡ ሐሚሙ ኣሎ፡
ኢለን ናብ የሱስ ለኣኻ። 4 የሱስ እዚ ሰምዑ፥ እዚ ሕማም እዚ ወዲ ኣምላኽ ብእኡ ምእንቲ ኪኽብር፡
ንኽብሪ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ንሞት ኣይኰነን፡ በለ። 5 የሱስ ንማርታን ንሓብታን ንኣልኣዛርን የፍቕሮም
ነበረ። 6 ምሕማሙ ምስ ሰምዔ፡ ኣብታ ዘለዋ ስፍራ ኽልተ መዓልቲ ወዓለ። 7 ድሕርዚ ንደቀ
መዛሙርቱ፥ ደጊም ንዑናይ፡ ናብ ምድሪ ይሁዳ ንኺድ፡ በሎም። 8 ደቀ መዛሙርቱ ኸኣ፥ መምህር፡
ብኣምሆ ኣይሁድ ብዳርባ እምኒ ኪቕትሉኻ ይደልዩ ነይሮምሲ፡ መሊስካዶ ናብኡ ትከይድ፣ በልዎ። 9
የሱስ ከኣ፥ መዓልትስ ዓሰርተው ክልተ ሰዓት ደይኰነትን፣ እቲ ብመዓልቲ ዚኸይድ፡ ብርሃን እዛ ዓለም
እዚኣ ዚርኢ ስለ ዝኾነ፡ ኣይዕንቀፍን። 10 እቲ ብለይቲ ዚኸይድ ግና፡ ብርሃን ስለ ዜብሉ፡ ይዕንቀፍ እዩ፡

ኢሉ መለሰ። 11 እዚ ተዛረበ፡ ድሕርዚ ድማ፥ ኣልኣዛር ፈታዊና ደቂሱ ኣሎ። ኣነ ግና ካብ ድቃሱ ምእንቲ
ኽተንስኦ፡ ክኸይድ እየ፡ በሎም። 12 ሽዑ ደቀ መዛሙርቱ፥ ጐይታይ፡ ደቂሱ እንተ ኾይኑስ፡ ኪጥዒ እዩ፡
በልዎ። 13 የሱስ ብዛዕባ ሞቱ እዩ እተዛረበ፡ ንኣታቶም ግና ብዛዕባ ናይ ትኽስ ድቃስ እተዛረበ መሰሎም።
14 ሽዑ የሱስ ብግህዶ፥ ኣልኣዛር ሞይቱ፡ 15 ኣነ ኣብኡ ብዘይ ምንባረይ፡ ምእንቲ ኽትኣምኑስ፡ ብዛዕባኹም
እሕጐስ ኣሎኹ። ግናኸ ንዑናይ፡ ናብኡ ንኺድ፡ በሎም። 16 ስለዚ እቲ ዲዲሞስ ዚብልዎ ቶማስ ነቶም
ብጾቱ ደቀ መዛሙርቲ፥ ንሕናውንከ ምስኡ ኽንመውት ንኺድ፡ በሎም። 17 ሽዑ የሱስ ምስ መጸ፡ ኣብ
መቓብር ኣርባዕተ መዓልቲ ገይሩ ረኸቦ። 18 ምቕራብ ቢታንያ ንየሩሳሌም ኣስታት ዓሰርተው ሓሙሽተ
እስታድዮስ ኣቢሉ እዩ። 19 ካብ ኣይሁድ ድማ ብዙሓት ብዛዕባ ሓወን ኬጸናንዕወን፡ ናብ ማርያምን
ማርታን መጺኦም ነበሩ። 20 ማርታ ምምጽእ የሱስ ሰሚዓ፡ ክትቅበሎ ወጻት። ማርያም ግና ኣብ ቤት
ተቐሚጣ ነበረት። 21 ሽዑ ማርታ ንየሱስ፡ ጐይታይ፡ ኣብዚ እንተ ትነብርሲ ግዲ፡ ሐወይ ኣይምሞተን
ነይሩ፤ 22 ግናኸ ሕጂውን ካብ ኣምላኽ ዝለመንካዮ ዘበለ ኣምላኽ ከም ዚህበካ፡ እፈልጥ ኣሎኹ፡ በለቶ።
23 የሱስ ድማ፡ ሓውኪ ኺትንስእ እዩ፡ በላ። 24 ማርታ ድማ፥ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ብትንሳኤ ኸም
ዚትንስእሲ፡ እፈልጥ ኣሎኹ፡ በለቶ። 25 የሱስ ከኣ፡ ትንሳኤን ህይወትን ኣነ እየ። እቲ ብኣይ ዝኣምን እንተ
ሞተ እኳ፡ ብህይወት ኪነብር እዩ። 26 ነፍሲ ወከፍ ብህይወት ዘሎ እሞ ብኣይ ዚኣምን ከኣ ንዘለኣለም
ኣይኪመውትን እዩ። እዚዶ ትኣምኒ ኢኺ፤ በላ። 27 ንሳ፡ እወ ጐይታይ፡ ንስኻ እቲ ናብ ዓለም ዚመጽእ
ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃንካ ኣሚነ ኣሎኹ፡ በለቶ። 28 እዚ ኢላ ኸደት፡ ንማርያም ሓብታ ድማ ሰላሕ
ኢላ፡ መምህር መጺኡ ይጽውዓኪውን ኣሎ፡ ኢላ ጸውዓታ። 29 ንሳ እዚ ምስ ሰምዔት፡ ቀልጢፋ
ተንስኤት፡ ናብኡውን ከደት። 30 የሱስ ኣብታ እተቐበለቶ ስፍር ጸንሔ እምበር፡ ናብ ዓዲ ኣይኣተወን
ነበረ። 31 እቶም ኬጸናንዕዋ ምስኣ ኣብ ቤት ዘለዉ ኣይሁድ ግና፡ ማርያም ቀልጢፋ ብድድ ምባላን
ምውጽኣን ርእዮም፡ ናብ መቓብር ከይዳ ኣብኡ ኽትበኪ እያ፡ ኢሎም ሰዓብዋ። 32 ማርያም ናብታ የሱስ
ዘለዋ ስፍራ መጺኣ ምስ ረኣየቶ፡ ኣብ እግሩ ተደፊኣ፡ ጐይታይ፡ ኣብዚ እንተ ትነብርሲ ግዲ፡ ሓወይ
ኣይምሞተን ነይሩ፡ በለቶ። 33 ሽዑ የሱስ፡ ንሳ ኽትበኪ ኸላ፡ እቶም ምስኣ ዝመጹ ኣይሁድውን ኪበኽዩ
ኸለዉ ርእዩ፡ ብመንፈሱ ተኪዙ እናሕነቕነቐ፡ 34 ኣበይ ኣንቢርኩምዎ፤ በለ። ንሳቶም፡ ጐይታይ፡ ንዓ እሞ
ርኤ፡ በልዎ። 35 የሱስ ነብዔ። 36 ስለዚ ኣይሁድ፡ እስኪ ርኣዩ፡ ክንደይ የፍቅሮ ነይሩ፡ በሉ። 37 ገሊኦም
ግና፡ እዚ ኣዒንቲ እቲ ዕዉር ዝኸፈተስ፡ ነዚውን ከም ዘይመውት ኪገብሮ ደኾን ኣይምኸኣለን፤ በሉ።
38 ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ ብልቡ ተከዘ፡ ናብቲ መቓብርውን መጸ፡- እዚ ግና ብእምኒ እተዓጽወ በዓቲ
እዩ፡- 39 የሱስ፥ ነዚ እምኒ ኣልዕልዎ፡ በሎም። ማርታ ሓብቲ እቲ ምዉት ከኣ፥ ጐይታይ፡ ራብዕቲ ገይሩ
እዩ እሞ፡ ፈጺሙ ጨንዩ እዩ፡ በለቶ። 40 የሱስ፡ እንተ ትኣምንስ፡ ክብሪ ኣምላኽ ምርኤኺዶ
ኣይበልኩኽን፤ በላ። 41 ድሕርዚ ነቲ እምኒ ኣልዓልዎ። የሱስ ከኣ ኣዒንቱ ንላዕሊ ቋሕ ኣቢሉ፡ ኣቦ፡ ስለ
ዝሰማዕካኒ ኤመስግነካ ኣሎኹ። 42 እዞም ደው ኢሎም ዘለዉ ህዝቢ ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ምእንቲ
ኺኣምኑ ደኣ እየ እዚ ዝበልኩ እምበር፡ ኣነስ ኵሉ ሳዕ ከም እትሰምዓኒ፡ እፈልጥ ኣሎኹ፡ በለ። 43 እዚ
ምስ በለ፥ ኣልኣዛር ንዓ፡ ናብ ወጻኢ ውጻእ፡ ኢሉ ብዓብዪ ድምጺ ጨደረ። 44 እቲ ምዉት ብግኑዘ፡
ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብእስሩ ገጹውን ብመኣረምያ ተጐንጒኑ ኸሎ ወጸ። የሱስ ድማ፡ ፍትሕዎ እሞ
ይኺድ ሕደግዎ፡ በሎም። 45 ሽዑ ኻብ ኣይሁድ ብዙሓት ናብ ማርያም ዝመጹ፡ ነቲ ንሱ ዝገበሮ ርእዮም
ብእኡ ኣመኑ። 46 ገሊኦም ግና ናብ ፈሪሳውያን ከይዶም፡ እቲ የሱስ ዝገበሮ ነገርዎም። 47 እቶም
ሊቃውንቲ ኻህናትን ፈሪሳውያንን ከኣ ዋዕላ ኣኪቦም፡ እዚ ሰብኣይዚ ብዙሕ ተኣምራት ይገብር ኣሎ
እሞ፡ እንታይ ንግበር፤ 48 ከምዚ እንተ ሐደግናዮ፡ ኵሉ ብእኡ ኺኣምን እዩ። ሮማውያን ድማ መጺኦም

ምድርናን ህዝብናን ኪወስዱ እዮም፡ በሉ። 49 ሓደ ኻባታቶም ቀያፋ ዝስሙ በታ ዓመት እቲኣ ሊቀ
ኻህናት ዝነበረ፡ ንስኻትኩም ገለ እኳ ኣይትፈልጡን ኢኹም፡ 50 ኵሉ ህዝቢ ኻብ ዚጠፍእ፡ ሓደ ሰብኣይ
በጃ ህዝቢ እንተ ሞተ ኺም ዚሔሸና፡ ከቶ ኣይትሐስቡን ኢኹም፡ በሎም። 51 በታ ዓመት እቲኣ ሊቀ
ኻህናት ነበረ እሞ፡ የሱስ በጃ ህዝቢ ኺመውት ከም ዘለዎ ተነበዩ እዩ እምበር፡ እዚ ዝበለስ ካብ ልቡ
ኣይኰነን። 52 ነቶም ፋሕ ዝበሉ ደቂ ኣምላኽውን ናብ ሓደ ኺእክቦም እዩ እምበር፡ በጃ ህዝቢ ጥራይ
ኪመውት ኣይኰነን። 53 ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚሮም ኪቕትልዎ ተማኸሩ። 54 ድሕርዚ የሱስ ጥቓ
በረኻ ናብ ዘላ ምድሪ፡ ኤፍሬም ናብ እትብሃል ከተማ ኸደ እምበር፡ ኣብ ማእከል ኣይሁድ ብግልጺ
ኣይተመላለሰን። ምስ ደቀ መዛሙርቱውን ኣብኣ ተቐመጠ። 55 ፋስጋ ኣይሁድ ድማ ቀሪቡ ነበረ።
ብዙሓት ሰብ ከኣ ቅድሚ በዓል ፋስጋ ርእሶም ኬንጽሁ፡ ካብታ ምድሪ ናብ የሩሳሌም ደየቡ። 56 ሽዑ
ኣይሁድ ንየሱስ ይደልይዎ ነበሩ። ኣብ ቤተ መቕደስ ደው ኢሎምውን ንሓድሕዶም፥ እንታይ
ይመስለኩም፧ ናብዚ በዓል ደኾን ኣይመጽእን እዩ፧ ተባሃሃሉ። 57 እቶም ሊቃውንቲ ኻህናትን
ፈሪሳውያንን ከኣ፡ ምእንቲ ኺሕዝዎ፡ ነታ ንሱ ዘለዋ ስፍራ ዝፈለጠ እንተሎ፡ ኪሕብረሎም ኣዘዙ።

## ምዕራፍ 12

1 ሽዑ የሱስ ሹድሽተ መዓልቲ ቕድሚ ፋስጋ ናብታ ንሱ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ ኣልኣዛር ዘለዋ፡ ናብ
ቢታንያ መጸ። 2 ኣብኣ ኸኣ ድራር ገበሩሉ። ማርታውን ተገልግል ነበረት። ካብቶም መቓምጡ ሓደ ኸኣ
ኣልኣዛር እዩ። 3 ማርያም ድማ ሓደ ነጥሪ ብዙሕ ዝዋጋኡ ቕዱይ ቅብኢ ጽሩይ ናርዶስ ወሲዳ፡ ብእኡ
ገይራ ኣእጋር የሱስ ለኸየት፡ ብጸጕሪ ርእሳውን ደረዘቶ። እታ ቤት ከኣ ብመኣዛ እቲ ቕዱይ ቅብኢ
መልኤት። 4 ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ሓደ፡ እቲ ኼትሕዞ ዘለዎ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦን ግና፥ 5
እዚ ቕዱይ ቅብኢ እዚ ኸመይ ግዳ ንሰለስተ ሚእቲ ድሪም ተሸይጡስ ንድኻታት ዘይውሃብ፡ በለ። 6
እዚ ዝበለ፡ ሰራቒ ስለ ዝኾነ እዩ እምበር፡ ንድኻታት ሐልዩሎም ኣይኰነን። ማሕፉዳ ምስኡ ነበረ፡
ካብቲ ኣብኡ ዝኣተወውን የልዕል ነበረ። 7-8 ስለዚ የሱስ፥ ድኻታትሲ ኵሉ ሳዕ ምሳኻትኩም ኣለዉ፡
ንኣይ ግና ኵሉ ሳዕ ኣይትረኽቡንን ኢኹም እሞ፡ ንመዓልቲ ቐብረይ ሐልያቶ እያ፡ ሕደጋ፡ በለ። 9
ድሕርዚ ኻብ ኣይሁድ ብዙሓት ሰብ፡ የሱስ ኣብኡ ምህላዉ ፈሊጦም መጹ። ነቲ ኻብ ምዉታት
ዘተንስኦ ኣልኣዛርውን ኪርእዩ እምበር፡ ምእንቲ የሱስ ጥራይ ኢሎም ኣይኰኑን ዝመጹ። 10-11 ብዙሓት
ኣይሁድ ብምኽንያት ኣልኣዛር እናኸዱ ብየሱስ ይኣምኑ ነበሩ እሞ፡ ሊቃውንቲ ኻህናት ንኣልኣዛር ድማ
ኪቕትልዎ ተማኸሩ። 12 ንጽብሒቱ እቲ ንበዓል ዝመጸ ብዙሕ ህዝቢ፡ የሱስ ናብ የሩሳሌም ከም ዚመጽእ
ሰሚዑ፡ 13 ጨናፍር ኦም ስየ ኣልዒሎም ኪቕበልዎ ወጹ። እናጨደሩ ኸኣ፡ ሆሳእና፡ ብስም እግዚኣብሄር
ዚመጽእ ንጉስ እስራኤል ብሩኽ እዩ፡ በሉ። 14-15 ከምቲ፥ ኣቲ ጓል ጽዮን፡ ኣይትፍርሂ፡ እንሆ፡ ንጉስኪ
ኣብ ጻዕብ ኣድጊ ተወጢሑ ይመጽእ ኣሎ፡ ኢሉ እተጻሕፈ፡ የሱስ ከኣ ጻዕብ ኣድጊ ረኺቡ ተወጥሖ። 16
ደቀ መዛሙርቱ ነዚ ነገርዚ ቕድም ኣየስተውዓልዎን። የሱስ ምስ ከበረ ግና፡ ሽዑ እዚ ነገርዚ ብዛዕባኡ
ኸም እተጻሕፈ፡ ንሳቶምውን እዚ ኸም ዝገበሩሉ ዘከሩ። 17 እቶም ንኣልኣዛር ካብ መቓብር ጸዊዑ ኻብ
ምዉታት ኬተንስኦ ኸሎ ምስኡ ዝነበሩ ህዝቢ ኸኣ ይምስክሩሉ ነበሩ። 18 ስለዚ እቶም ህዝቢ እዚ
ተኣምራትዚ ምግባሩ ሰሚዖም፡ ኪቕበልዎ ወጹ። 19 ሽዑ ፈሪሳውያን ንሓድሕዶም፥ ሓንቲ እኳ ኸም
ዘይተስልጡ ትርእዩ ኣሎኹም፡ እንሆ፡ ብዓለሙ ደድሕሪኡ ይስዕብ ኣሎ፡ ተባሃሃሉ። 20 ካብቶም በቲ
በዓል ኪሰግዱ ዝደየቡ ኸኣ ሓያሎ ጽርኣውያን ነበሩ። 21 ንሳቶም ናብ ፊልጶስ፡ በዓል ቤተሳይዳ ናይ

ገሊላ፡ መጺኦም፡ ጐይታይ፡ ንየሱስ ክንርእዮ ንደሊ ኣሎና፡ ኢሎም ለመንዎ። 22 ፊልጶስ ከኣ ከይዱ
ንእንድርያስ ነገሮ። እንድርያስን ፊልጶስን ድማ ከይዶም ንየሱስ ነገርዎ። 23 የሱስ ድማ መሊሱ በሎም፡
ወዲ ሰብ ኪኽብር፡ ጊዜኡ በጺሓ እያ። 24 ፍረ ስርናይ ናብ ምድሪ እንተ ዘይወደቐትን ዘይሞተትን፡ በይና
እያ እትነብር። እንተ ሞተት ግና፡ ብዙሕ ፍረ ኸም እትፈሪ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 25
ንህይወቱ ዚፈትዋ ኼጥፍኣ እዩ። እቲ ንህይወቱ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዚጸልኣ ግና ንዘለኣለም ህይወት
ኪሕልዋ እዩ። 26 ዜገልግለኒ እንተሎስ፡ ንኣይ ይስዓበኒ። እቲ ዜገልግለኒ ድማ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ኣብኡ
ኪኸውን እዩ። ዜገልግለኒ እንተሎ፡ ንእኡውን ኣቦይ ኬኽብሮ እዩ። 27 ሕጂስ ነፍሰይ ጕህያ ኣላ፡ እንታይ
እሞ ኽብል እየ፧ ኣቦ፡ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ኣድሕነኒ። ግናኸ ምእንቲዚ ናብዛ ሰዓት እዚኣ መጻእኩ 28 ኣቦ፡
ንስምካ ኣኽብሮ። ሽዑ ኻብ ሰማይ፡ ኣነ ኣኽቢረዮ ኣሎኹ፡ ከም ብሓድሽውን ከኽብሮ እየ፡ ዚብል
ድምጺ መጸ። 29 ሽዑ እቶም ደው ኢሎም ዘለዉ ህዝቢ እዚ ሰሚዖም፥ ነጐዳ እዩ፡ በሉ። ገሊኦም፥
መልኣኽ እባ ደኣ ተዛረቦ፡ በሉ። 30 የሱስ መሊሱ በሎም፥ እዚ ድምጺ እዚ ምእንታኻትኩም እዩ ዝመጸ
እምበር፡ ምእንታይ ኣይኰነን። 31 ፍርዲ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ በጽሔ። ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ሕጂ
ንወጻኢ ኺድርበ እዩ። 32 ኣነውን ካብ ምድሪ ልዕል ምስ በልኩ፡ ንዅሉ ናባይ ክስሕቦ እየ። 33 ብኸመይ
ዝመሰለ ኣማውታ ኸም ዚመውት፡ ኬመልክተሎም እዩ እዚ ዝበለ። 34 ስለዚ እቶም ህዝቢ፥ ንሕናስ፡
ክርስቶስ ንዘለኣለም ከም ዚነብር ደኣ፡ ካብ ሕጊ ሰማዕና። ንስኻ ግና ከመይ ኢልካ ኢኻ፥ ወዲ ሰብ
ልዕል ኪብል ይግብኦ እዩ፡ እትብል ዘሎኻ፧ እቲ ወዲ ሰብ እቲኸ እንታዋይ እዩ፧ ኢሎም መለስሉ። 35
ሽዑ የሱስ፥ ገና ንቕሩብ መዓልቲ ብርሃን ኣብ ማእከልኩም ኣሎ፡ ጸልማት ከየርከበኩም፡ ብርሃን
ከሎኩም ተመላለሱ። እቲ ብጸልማት ዚመላለስ ናብ ዚኸዶ ኣይፈልጥን እዩ። 36 ደቂ ብርሃን ምእንቲ
ኽትኰኑስ፡ ብርሃን ከሎኩም፡ ብብርሃን እመኑ፡ በሎም። የሱስ እዚ ተዛሪቡ ኻባታቶም ከይዱ
ተሐብኤ። 37-38 እዚ ኽንድዚ ዚኣክል ተኣምራት እኳ ኣብ ቅድሚኦም እናገበረ ኽነሱ፡ እቲ ነብዩ
ኢሳይያስ፥ ጐይታይ፡ ንምስክርናኸ መን ኣመኖ፡ ቅልጽም እግዚኣብሄርሲ ንመን ተጋህደ፡ ዝበሎ ቓል
ምእንቲ ኺፍጸም፡ ብእኡ ኣይኣመኑን። 39-40 ድማ ኢሳይያስ ከም ብሓድሽ፥ በዒንቶም ከይርእዩ
ብልቦምውን ከየስተውዕሉ፡ ከይምለሱን ኣነ ኸኣ ከይምሕሮምሲ፡ ኣዒንቶም ኣዖረ ልቦምውን ኣትረረ፡
ኢሉ እዩ እሞ፡ ስለዚ ምእማን ሰኣኑ። 41 ኢሳይያስ ክብረት ርእዩ ብዛዕባኡ ምስ ተዛረበ፡ እዚ በለ። 42-43
ምስናይዚ ግና ብዙሓት ካብ መኳንንቲ ብእኡ ኣመኑ። ግናኸ ካብ ናይ ኣምላኽ ክብርስ ናይ ሰብ ክብሪ
ኣብሊጾም ስለ ዝፈተዉ፡ ካብ ቤት ጸሎት ምእንቲ ኸይሰጕዎም፡ ብሰሪ ፈሪሳውያን ኣየግሃዱን። 44 የሱስ
ግና ጨደረ በለውን፥ ብኣይ ዚኣምን በቲ ዝለኣኸኒ እዩ እምበር፡ ብኣይ ኣይኰነን ዚኣምን። 45 ንኣይ
ዚርኢ ነቲ ዝለኣኸኒውን ይርእዮ። 46 እቲ ብኣይ ዚኣምን ዘበለ ኣብ ጸልማት ምእንቲ ኸይነብር፡ ኣነ
ብርሃን ኰይነ ናብ ዓለም መጺኤ ኣሎኹ። 47 ኣነ ንዓለም ከድሕን ደኣ እምበር፡ ንዓለም ክፈርድ
ኣይመጻእኩን እሞ፡ ንቓለይ ሰሚዑ ዘይሕልዎ እንተሎ፡ ኣነ ኣይኰንኩን ዝፈርዶ። 48-50 ኣነስ፡ እቲ
ዝለኣኸኒ ኣቦ ደኣ እንታይ ከም ዝብልን ዝዛረብን ትእዛዝ ሂቡኒ እምበር፡ ካብ ርእሰይ ኣይዛረብን እየ
እሞ፡ እታ ትእዛዙ ናይ ዘለኣለም ህይወት ምዃና እፈልጥ ኣሎኹ። እምብኣርሲ እቲ ኣነ ዝዛረቦ፡ ከምቲ
ኣቦ ዝነገረኒ ኸምኡ እየ ዝዛረብ ዘሎኹ። ነቲ ዚንዕቀንን ንዘረባይ ዘይቅበሎን ከኣ ዚፈርዶ ኣሎ። እዚ ኣነ
ዝዛረቦ ዘሎኹ ቓል፡ ንሱ በታ ዳሕረይቲ መዓልቲ ኺፈርዶ እዩ።

## ምዕራፍ 13

1 የሱስ፡ ቅድሚ በዓል ፋስጋ ኻብዛ ዓለም እዚኣ ናብ ኣቦኡ ዚኸደላ ጊዜኡ ኸም ዝበጽሔት ፈሊጡ፡
ነቶም ዘፍቀሮም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለዉ ናቱ ኽሳዕ መወዳእታ ኣፍቀሮም። 2 ኪድረሩ ኸለዉ ኸኣ፡
ድያብሎስ ናብ ልቢ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ ወዲ ስምኦን ኬትሕዞ ቐድም ሓሳብ ኣእትዩ ነበረ። 3 የሱስ ከኣ
ኣቦኡ ንዅሉ ኣብ ኢዱ ኸም ዝሃቦ፡ ካብ ኣምላኽ ድማ ከም ዝመጸ ናብ ኣምላኽውን ከም ዚኸይድ
ፈሊጡ፡ 4 ካብ ድራር ተንሲኡ ኽዳውንቱ ኣንበረ፡ ዓለባ ኣልዒሉውን ተዓጥቀ፡ 5 ደሓር ማይ ኣብ ገበራ
ኣዕሪቑ፡ ኣእጋር ደቀ መዛሙርቱ ኺሐጽብን በቲ እተዓጥቀ ዓለባ ገይሩ ኺደርዝን ጀመረ። 6 ሽዑ ናብ
ስምኦን ጴጥሮስ መጸ፡ ንሱ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ንስኻዶ ኣእጋረይ ክትሐጽበኒ ኢኻ፧ በሎ። 7 የሱስ መሊሱ፡
ነቲ ኣነ ዝገብሮ ንስኻ ሕጂ ኣይትፈልጦን፡ ድሕርዚ ግና ክትፈልጦ ኢኻ፡ በሎ። 8 ጴጥሮስ ከኣ፡
ንዘለኣለም ኣእጋረይ ኣይትሐጽበንን ኢኻ፡ በሎ። የሱስ ከኣ፡ ኣነ እንተ ዘይሐጸብኩኻስ፡ ምሳይ ግደ
የብልካን፡ ኢሉ መለሰሉ። 9 ስምኦን ጴጥሮስ ድማ፡ ጐይታይ፡ ኣእዳወይን ርእሰይን ድማ እምበር፡
ኣእጋረይ ጥራይ ኣይኰነን፡ በሎ። 10 የሱስ ከኣ፡ እቲ እተሐጽበ፡ ኵለንትናኡ ንጹህ እዩ እሞ፡ ብጀካ
ኣእጋሩ ምሕጻብ ኣየድልዮን እዩ። ንስኻትኩም ከኣ ንጹሃት ኢኹም፡ ግናኸ ኵላትኩም ኣይኰንኩምን፡
በለ። 11 ነቲ ዜትሕዞ ይፈልጦ ነበረ እሞ፡ ስለዚ እዩ፡ ኵላትኩም ንጹሃት ኣይኰንኩምን፡ ዝበለ። 12
ከምዚ ገይሩ ኣእጋሮም ምስ ሓጸቦም፡ ክዳውንቱ ተኸዲኑ፡ ከም ብሓድሽ ተቐሚጡ፡ እዚ
ዝገበርኩልኩምሲ ትፈልጥዎዶ ኣሎኹም፧ በሎም። 13 ንስኻትኩም መምህርን ጐይታን ትብሉኒ
ኣሎኹም፡ ኣነ ኸምኡ እየ እሞ፡ ጽቡቕ በልኩም። 14-15 ኣነ መምህርን ጐይታን ክነሰይ፡ ኣእጋርኩም ካብ
ሓጸብኩስ፡ ከምቲ ኣነ ኣባኻትኩም ዝገበርክዎ፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ኽትገብሩ መርኣዪ ሂበኩም
ኣሎኹ እሞ፡ ከምኡ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሐጽቡ ይግብኣኩም እዩ። 16 ባርያ ኻብ ጐይታኡ
ኣይበልጽን፡ ልኡኽውን ካብ ለኣኺኡ ኣይበልጽን እዩ፡ ኢለ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 17 ነዚ
እትፈልጥዎ እንተ ዄንኩም፡ እንተ ገበርኩምዎስ ብጹኣን ኢኹም። 18 ኣነ ነቶም ዝሐሬኽዎም እፈልጦም
እየ፡ ብዛዕባ ዅላትኩም ኣይኰንኩን ዝዛረብ ዘሎኹ። ግናኸ እቲ ጽሑፍ ምእንቲ ኺፍጸምሲ፥ እቲ
እንጌራይ ዚበልዕ፡ ሸኰናኡ ኣባይ ኣልዓለ። 19 ምስ ኰነ ኣነ ምዃነይ ምእንቲ ኽትኣምኑ ኸኣ፡ ከይኰነ
ሕጂ እነግረኩም ኣሎኹ። 20 ነቲ ዝለኣኽክዎ ዚቕበል ንኣይ ይቕበል። እቲ ንኣይ ዚቕበል ድማ ነቲ
ዝለኣኸኒ እዩ ዚቕበል፡ ኢለ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 21 የሱስ እዚ ምስ በለ፡ ብመንፈሱ ጕህዩ፥
ካባኻትኩም ሓደ ኸም ዜትሕዘኒ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ፡ ኢሉ መስከረ። 22 እቶም ደቀ
መዛሙርቲ ብዛዕባ መን ከም እተዛረበ ጠፊእዎም፡ ንሓድሕዶም ተጣማመቱ። 23 ካብ ደቀ መዛሙርቱ
ሓደ፡ እቲ የሱስ ዜፍቅሮ ዝነበረ፡ ኣብ ኣፍ ልቢ የሱስ ተጸጊዑ ኣብ መኣዲ ነበረ። 24 ንእኡ ስምኦን
ጴጥሮስ፡ ብዛዕባ መን ይዛረብ ከም ዘሎ፡ ኪሐቶ ኣመልከቶ። 25 እቲ ኣብ ኣፍ ልቢ የሱስ ተጐዝጒዙ ዘሎ
ኸኣ፥ ጐይታይ፡ መን እዩ ንሱ፧ በሎ። 26 የሱስ ከኣ፥ እቲ ኣነ ቘራስ እንጌራ ጸቢሔ ዝህቦ፡ ንሱ እዩ፡ ኢሉ
መለሰ። ሽዑ ኸኣ ቍራስ እንጌራ ጸቢሑ ንይሁዳ፡ ወዲ ስምኦን ኣስቆሮታዊ፡ ሃቦ። 27 ድሕሪ እታ ቘራስ
እንጌራ ኸኣ ሰይጣን ናብኡ ኣተወ። ሽዑ የሱስ፡ ነቲ እትገብሮ ቐልጢፍካ ግበሮ፡ በሎ። 28 ካብቶም ኣብ
መኣዲ ተቐሚጦም ዘለዉ ግና ብዛዕባ እንታይ ከም ዝበሎ፡ ሓደ እኳ ዝፈለጠ ኣይነበረን። 29 ንሓያሎ
ግና፡ ማሕፉዳ ኣብ ይሁዳ ነበረ እሞ፡ የሱስ፥ ንበዓል እንደልዮ ዓድግ ወይስ ገለ ንድኻታት ሃብ፡ ዝበሎ
መሲልዎም ነበረ። 30 ንሱ ግና ነታ ቍራስ እንጌራ ምስ ተቐበለ፡ ብኡብኡ ወጸ፡ ለይቲውን ነበረ። 31 ንሱ
ምስ ወጸ፡ ሽዑ የሱስ በለ፥ ሕጂ ወዲ ሰብ ከበረ፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ኸበረ። 32 ኣምላኽ ኣብኡ ኻብ
ከበረ፡ ኣምላኽ ኸኣ ኣብ ርእሱ ኬኽብሮ እዩ፡ ቀልጢፉውን ኬኽብሮ እዩ። 33 ደቀየ፡ ገና ቕሩብ ጊዜ
ምሳኻትኩም እየ። ክትደልዩኒ ኢኹም፡ ከምቲ ንኣይሁድ፥ ናብቲ ኣነ ዝኸዶ ንስኻትኩም ክትመጹ

ኣይከኣለኩምን እዩ፡ ዝበልክዎም፡ ንኣኻትኩምውን ሕጂ እብለኩም ኣሎኹ። 34 ንሓድሕድኩም
ክትፋቐሩ፡ ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ከምኡ ኼርኩም ከኣ ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ሓድሽ ትእዛዝ
እህበኩም ኣሎኹ። 35 ነንሓድሕድኩም ፍቕሪ እንተላትኩም፡ በዚ ደቀ መዛሙርተይ ምዃንኩም ኲሉ
ኺፈልጥ እዩ። 36 ስምኦን ጴጥሮስ ከኣ፡ ጐይታይ፡ ናበይ ክትከትድ ኢኻ፡ በሎ። የሱስ ድማ፥ ናብቲ ኣነ
ዝኸዶ ንስኻ ሕጂ ኽትስዕበኒ ኣይከኣለካን እዩ፡ ደሓር ግና ክትስዕበኒ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 37 ጴጥሮስ
ከኣ፡ ጐይታይ፡ ሕጂኸ ኸስዕበካ ዘይከኣለኒ እንታይ ኰይኑ፡ ህይወተይ እኳ በጃኻ ኤሕልፉ እየ፡ በሎ። 38
የሱስ ከኣ፥ ንህይወትካዶ በጃይ ተሕልፋ፡ ሰለስተ ጊዜ ኽሳዕ እትክሕደንስ ደርሆ ኽም ዘይንቁ፡ ብሓቂ፡
ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ።

# ምዕራፍ 14

1 ልብኹም ኣይሽበር። ብኣምላኽ እመኑ ብኣይውን እመኑ። 2 ኣብ ቤት ኣቦይ ብዙሕ ማሕደር ኣሎ። እቲ
እንተ ዘይህሉስ፡ ምበልኩኹም ነይረ። ስፍራ ኽዳልወልኩም እኸይድ ኣሎኹ፡ 3 ከይደ ስፍራ ምስ
ኣዳለኹልኩም፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኽዎ ንስኻትኩምውን ኣብኡ ምእንቲ ኽትኰኑስ፡ ተመሊሰ ኽመጽእ እየ
እሞ ናባይ ክወስደኩም እየ። 4 ኣነ ናበይ ከም ዝኸይድ ትፈልጡ፡ ነቲ መገድውን ትፈልጥዎ ኢኹም። 5
ቶማስ ከኣ፡ ጐይታይ፡ ናበይ ከም እትከይድ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ነቲ መገዲኸ ኸመይ ጌርና ኢና
እንፈልጦ፡ በሎ። 6 የሱስ ከኣ፥ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ። ብዘይ ብኣይ ሓደ እኳ ናብ ኣቦ ዚመጽእ
የልቦን። 7 ንኣይ እንተ ትፈልጡንስ፡ ነቦይውን ምፈለጥኩምዎ ኔርኩም። ካብ ሕጂ ትፈልጥዎን
ርኢኹምዎን ኣሎኹም፡ በሎ። 8 ፊልጶስ ከኣ፥ ጐይታይ፡ ነቦ ኣርእየና እሞ ይኣኽለና፡ በሎ። 9 የሱስ በሎ፥
ፊልጶስ፡ እዚ ኽንድዚ ዚኣክል ዘመን ምሳኻትኩም ክነብር ከሎኹስ፡ ኣይትፈልጠንን ዲኻ፡ እቲ ንኣይ
ዝረኣየ ነቦ ረኣዮ። ከመይ ኢልካኸ፥ ነቦ ኣርእየና፡ ትብል ኣሎኻ፤ 10 ኣነ ኣብ ኣቦ ኽም ዘሎኹ፡ ኣቦውን
ኣባይ ከም ዘሎዶ ኣይትኣምንን ኢኻ፡ እቲ ኣባይ ዘሎ ኣቦ ባዕሉ እዩ ግብርታቱ ዚገብር ዘሎ እምበር፡ እዚ
ንኣካትኩም ዝነግረኩም ዘሎኹ ዘረባስ ካብ ርእሰይ ኣይኰነኩን ዝዛረቦ ዘሎኹ። 11 ኣነ ኣብ ኣቦ
ምህላወይ፡ ኣቦውን ኣባይ ምህላዉ እመኑኒ። እንተ ዘይኰነስ፡ ስለቲ ግብርታት እኳ እመኑኒ። 12 ኣነ ናብ
ኣቦይ እኸይድ ኣሎኹ እሞ፡ እቲ ብኣይ ዚኣምን ነዚ ኣነ ዝገብሮ ዘሎኹ ግብርታት ከም ዚገብር፡ ካብኡ
ዚዓብውን ከም ዚገብር፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። 13 ኣቦ ኣብ ወዲ ምእንቲ ኪኽብርሲ፡
ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ኾሉ ኽገብረልኩም እየ። 14 ብስመይ ገለ እንተ ለመንኩም፡ ክገብረልኩም
እየ። 15 እተፍቅሩኒ እንተ ኼንኩምሲ፡ ትእዛዛተይ ሐልዉ። 16 ኣነ ኽኣ ነቦ ኽልምኖ እየ፡ ንሱ ድማ
ንዘለኣለም ምሳኻትኩም ዚነብር ካልእ መጸናንዒ ኺህበኩም እዩ፡ 17 ነቲ መንፈስ ሓቂ፡ ዓለም
ዘይትርእዮን ዘይትፈልጦን ስለ ዝኾነት፡ ክትቅበሎ ኣይኰነላን እዩ። ንስካትኩም ግና፡ ምሳኻትኩም
ይሐድር ኣባኻትኩም፡ውን ኪነብር እዩ እሞ፡ ትፈልጥዎ ኢኹም። 18 ኣነ ዘኽተማት ኴንኩም
ኣይሐድገኩምን፡ ናባኻትኩም ክመጽእ እየ። 19 ቅሩብ ጊዜ ዓለም ደጊም ኣይክትርእየንን እያ፡ ንስኻትኩም
ግና ክትርእዩኒ ኢኹም። ኣነ ህያው እየ እሞ፡ ንስካትኩምውን ህያዋን ክትኰኑ ኢኹም። 20 በታ መዓልቲ
እቲኣ ኣነ ኣብ ኣቦይ፡ ንስኻትኩም ከኣ ኣባይ፡ ኣነውን ኣባኻትኩም ምህላወይ ክትፈልጡ ኢኹም። 21
እቲ ትእዛዛተይ ዘለዎ እሞ ዚሕልዎ፡ ንሱ እዩ ዜፍቅረኒ። ነቲ ዜፍቅረኒ ድማ ኣቦይ የፍቅሮ እዩ፡ ኣነውን
ኤፍቅሮ ርእሰይ ከኣ እገልጸሉ። 22 እቲ ዘይ ኣስቆሮታዊ ይሁዳ ድማ፥ ጐይታይ፡ እቲ ርእስኻ፡ ንዓለም
ዘይኰነ፡ ንኣና እትገልጸሉስ እንታይ እዩ፧ በሎ። 23 የሱስ ከኣ፥ ዜፍቅረኒ እንተሎ፡ ቃለይ ይሕሉ እዩ፡

ኣቦይ ድማ የፍቅሮ፡ ናብኡውን ንመጽእ ኣብኡ ኸኣ ማሕደር ክንገብር ኢና። 24 እቲ ዘየፍቅረኒ ግና
ንቓለይ ኣይሕልዎን እዩ። እዚ እትሰምዕዎ ዘሎኹም ቃል ከኣ ናብቲ ዝለኣኸኒ ኣቦ እዩ እምበር፡ ናተይ
ኣይኰነን፡ ኢሉ መለሰሉ። 25 ምሳኻትኩም ከሎኹ፡ እዚ ነገርኩኹም። 26 እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ
መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ዅሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ። 27 ሰላም
እሐድገልኩም፡ ሰላመይውን እህበኩም አሎኹ። እቲ ኣነ ዝህበኩም ዘሎኹስ፡ ከምቲ ዓለም እትህቦ
ኣይኰነን። ልብኹም ኣይሸበርን ኣይሰምብድን። 28 ኣነ ክኸይድ ናባኻትኩምውን ክምለስ እየ፡ ከም
ዝበልኩኹም ሰሚዕኩም አሎኹም። ካባይ ኣቦይ ይዓቢ እዩ እሞ፡ እተፍቅሩኒ እንተ ትኾኑስ፡ ናብ ኣቦይ
ብምኻደይ ምተሐጐስኩም ኔርኩም። 29 ሕጂ ድማ፡ ምስ ኰነ ምእንቲ ኽትኣምኑስ፡ ከይኰነ ነጊረኩም
አሎኹ። 30 ገዛኢ እዛ ዓለም እዚኣ ይመጽእ አሎ እሞ፡ ኣባይ ሓንቲ እኳ የብሉን። ደጊም ምሳኻትኩም
ብዙሕ ኣይዛረብን እየ። 31 ግናኸ ኣነ ነቦ ኸም ዘፍቅሮን፡ ከምታ ኣቦ ዝኣዘዘኒውን ከም ዝገብርን፡ ዓለም
ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ ከምዚ ይኸውን አሎ። ተንስኡ ኻብዚ ንኺድ።

# ምዕራፍ 15

1 ኣነ ናይ ሓቂ ጕንዲ ወይኒ እየ፡ ተኻሊኡ ኸኣ ኣቦይ እዩ። 2 ነቲ ኣባይ ዘሎ፡ ፍረ ዘይፈሪ ዘበለ ዅሉ
ጨንፈር የርሕቖ። ነቲ ፍረ ዚፈሪ ዘበለ ጨንፈር ግና፡ ኣዝዩ ምእንቲ ኺፈሪ፡ የጽርዮ። 3 ንስኻትኩም ከኣ፡
ሳላ እቲ ዝነገርኩኹም ቃል፡ ድሮ ንጹሃት ኢኹም። 4 ኣባይ ጽንዑ ኣነውን ኣባኻትኩም። ጨንፈር ኣብቲ
ጕንዲ ወይኒ እንተ ዘይጸንዔ፡ ካብ ርእሱ ኺፈሪ ኸም ዘይክእል፡ ንስኻትኩምውን ኣባይ እንተ
ዘይጸናዕኩም፡ ከምኡ ኢኹም። 5 እቲ ጕንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ብጀካይ
ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ
ዘፈሪ። 6 ኣባይ ዘይጸንዕ ዘበለ ኸም ጨንፈር ንወጻኢ ተደርብዩ ይነቅጽ፡ ኣኪቦም ናብ ሓዊ ይድርብይዎ
እሞ ይነድድ። 7 ኣባይ እንተ ጸናዕኩም፡ ቃለይውን ኣባኻትኩም እንተ ሐደረ፡ እትደልይዎ ዘበለ ትልምኑ
እሞ ይኾነልኩም። 8 ብዙሕ ፍረ እንተ ፈሬኹም፡ ኣቦይ በዚ ይኸብር፡ ደቀ መዛሙርተይውን ክትኰኑ
ኢኹም። 9 ከምቲ ኣቦ ኣፍቂሩኒ ዘሎ፡ ኣነውን ከምኡ ኣፍቂረኩም አሎኹ፡ ኣብ ፍቕረይ ጽንዑ። 10 ከምቲ
ኣነ ትእዛዛት ኣቦይ ዝሓሎኹ፡ ኣብ ፍቕሩውን ጸኒዔ ዘሎኹ፡ ከምኡ ኸኣ ንስኻትኩም ትእዛዛተይ እንተ
ሓሎኹም፡ ኣብ ፍቕረይ ክትጸንዑ ኢኹም። 11 ሓጐሰይ ኣባኻትኩም ምእንቲ ኺጸንዕ፡ ሓጐስኩምውን
ኪፍጸምሲ፡ እዚ ነገርኩኹም። 12 ከምቲ ኣነ ዘፍቀርኩኹም፡ ነንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ ትእዛዘይ እዚ
እዩ። 13 ሰብ ንህይወቱ ኣብ ክንዲ ኣዕሩኹ በጃ ኺሕልፍ፡ ካብዚ ዚዓቢ ፍቕሪ የልቦን። 14 ንስኻትኩም
እዚ ዝኣዘዝኩኹም ዘበለ ዅሉ እንተ ገበርኩም፡ ኣዕሩኽይ ኢኹም። 15 እቲ ኻብ ኣቦይ ዝሰማዕክዎ ዘበለ
ንኣኻትኩም ስለ ዘፍለጥኩኹም እየ ኣዕሩኽይ ዝበልኩኹም። ባርያስ ጐይታኡ ዚገብሮ ኣይፈልጥን እዩ
እሞ፡ ደጊም ባሮት ኣይብለኩምን እየ። 16 ኣነ ሐሬኹኹም እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይሐሬኹምንን።
ክትከዱን ፍረ ኽትፈርዩን ፍሬኹምውን ነባሪ ኪኸውን፡ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ
ኺህበኩም፡ ነዚ መደብኩኹም። 17 ንሓድሕድኩም ክትፋቐሩ፡ እዚ እእዝዘኩም አሎኹ። 18 ዓለም እንተ
ጸልኣትኩም፡ ንኣይ ቅድሜኹም ከም ዝጸልኣትኒ ፍለጡ። 19 ካብ ዓለም እንተ ትኾኑስ፡ ዓለም ነቲ ናታ
ዝኾነ ትፈትዎ እያ እሞ፡ ምፈተወትኩም ነይራ። ኣነ ደኣ እየ ኻብ ዓለም ዝሐሬኹኹም እምበር፡ ካብ
ዓለም ኣይኰንኩምን፡ ስለዚ ዓለም ትጸልኣኩም እያ። 20 ነቲ፥ ባርያ ኻብ ጐይታኡ ኣይዓብን እዩ፡ ኢለ
ዝነገርኩኹም ቃል ዘክርዎ። ንኣይ ሰጕጎምኒ እንተ ኾይኖም፡ ንኣኻትኩምውን ኪሰጕኹም እዮም።

ቃለይ ሓልዮም እንተ ኾይኖም ከኣ፡ ቃልኩምውን ኪሕልዉ እዮም። [21] ግናኸ ነቲ ዝለኣኸኒ
ኣይፈልጥዎን እዮም እሞ፡ ስለ ስመይ እዚ ኹሉ ኺገብሩኹም እዮም። [22] ኣነ መጺኤ እንተ ዘይነግሮም፡
ሓጢኣት ኣይምኾኖምን ነይሩ፡ ሕጂ ግና ንሓጢኣቶም ምክንያት የብሎምን። [23] እቲ ንኣይ ዚጸልኣኒ
ነቦይውን ይጸልኦ እዩ። [24] ካልእ ዘይገብሮ ግብሪ እንተ ዘይገብረሎም፡ ሓጢኣት ኣይምኾኖምን ነይሩ።
ሕጂ ግና ርእዮምሲ ንኣይን ነቦይን ጸልኡና። [25] እዚ ግና እቲ ኣብ ሕጎም፥ ብዘይ ምኽንያት ጸልኡኒ፡
ጽሑፍ ዘሎ ቓል ምእንቲ ኺፍጸም እዩ ዝኾነ። [26] እቲ ኣነ ኻብ ኣቦ ዝሰደልኩም መጸናንዒ፡ ካብ ኣቦ
ዚወጽእ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ኺምስክረለይ እዩ። [27] ንስኻትኩምውን ካብ መጀመርያ ምሳይ
ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ትምስክሩለይ ኢኹም።

## ምዕራፍ 16

[1] ምእንቲ ኸይትዕንቀፉ ኢለ እየ እዚ ዝነገርኩኹም። [2] ካብ ቤት ጸሎቶም ኬውጽኡኹም እዮም፡ ኤረ
ዝቐተለኩም ዘበለስ ንኣምላኽ ኣገልግሎት የቕርበሉ ኸም ዘሎ ዚመስሎ ጊዜ ኽትመጽእ እያ። [3] ነቦን
ንኣይን ስለ ዘይፈለጡ፡ እዚ ኺገብርኹም እዮም። [4] ጊዜኦም ምስ በጽሔት፡ ኣነ ኸም ዝበልኩኹም
ምእንቲ ኽትዝክርዎ ግና፡ እዚ ነገርኩኹም። ምሳኻትኩም ስለ ዝነበርኩ እየ ካብ መጀመርታ እዚ
ዘይነገርኩኹም። [5] ሕጂ ግና ናብቲ ዝለኣኸኒ እኸይድ ኣሎኹ። ካባኻትኩም ከኣ ሓደ እኳ፥ ናበይ ኢኻ
እትኸይድ፧ ኢሉ ኣይሐተንን። [6] እዚ ስለ ዝነገርኩኹም ግና፡ ልብኹም ጓሂ መልኤ። [7] ግናኸ እንተ ኸድኹ
ኸም ዚሔሸኩም፡ ሓቂ እነግረኩም ኣሎኹ። ኣነ እንተ ዘይከድኩስ፡ እቲ መጸናንዒ ናባኻትኩም
ኣይመጽእን እዩ እሞ፡ እንተ ኸድኩ ግና፡ ንእኡ ኽሰደልኩም እየ። [8] ንሱ ምስ መጸ ኸኣ፡ ንዓለም ብዛዕባ
ሓጢኣትን ብዛዕባ ጽድቅን ብዛዕባ ፍርድን ኪረትዓ እዩ። [9] ብዛዕባ ሓጢኣት፥ ብኣይ ስለ ዘይኣመኑ። [10]
ብዛዕባ ጽድቂ፥ ናብ ኣቦይ እኸይድ ኣሎኹ እሞ፡ ደጊም ኣይትርእዩንን። [11] ብዛዕባ ፍርዲ ኸኣ፥ ገዛኢ እዛ
ዓለም እዚኣ ስለ እተፈርዶ። [12] ዝነግረኩም ብዙሕ ካልእ ዘረባ ገና ኣሎኒ፡ ግናኸ ሕጂ ኽትጾርዎ
ኣይትኽእሉን ኢኹም። [13] እቲ መንፈስ ሓቂ ምስ መጸ ግና፡ ንሱ ዝሰምዖ ዘበለ እዩ ዚዛረብ እምበር፡ ካብ
ርእሱ ኣይዛረብን እዩ እሞ፡ ንሱ ነቲ ዚመጽእ ኬፍልጠኩም፡ ናብ ኵሉ ሓቂውን ኪመርሓኩም እዩ። [14]
ንሱ ኻባይ ኪወስድን ኪነግረኩምን እዩ እሞ፡ ንኣይ ኬኽብረኒ እዩ። [15] እቲ ናይ ኣቦ ዘበለ ኹሉ ናተይ
እዩ። ስለዚ እየ፥ ካባይ ወሲዱ ኺነግረኩም እዩ፡ ዝበልኩ። [16] ናብ ኣቦይ እኸይድ ኣሎኹ እሞ፡ ቅሩብ
ጊዜ ኣይትርእዩንን ኢኹም፡ ከም ብሓድሽ ድማ ቅሩብ ጊዜ ኽትርእዩኒ ኢኹም። [17] ሽዑ ኻብቶም ደቀ
መዛሙርቱ ሓያሎ፥ እዚ፥ ናብ ኣቦይ ክኸይድ እየ እሞ፡ ቅሩብ ጊዜ ኣይትርእዩንን ኢኹም፡ ከም ብሓድሽ
ድማ ቅሩብ ጊዜ ኽትርእዩኒ ኢኹም። ዚብለና ዘሎስ እንታይ እዩ፧ ተበሃሀሉ። [18] ስለዚ፥ ነዚ ዚዛረቦ ዘሎ
ኣየስተውዐልናዮን፡ ቅሩብ ጊዜ ዚብሎ ዘሎስ እንታይ ኰን እዩ፧ በሉ። [19] የሱስ ከኣ ኺሐትዎ ኸም ዝደለዩ
ፈሊጡ በሎም፥ ቅሩብ ጊዜ ኣይትርእዩንን ኢኹም፡ ከም ብሓድሽ ድማ ቅሩብ ጊዜ ኽትርእዩኒ ኢኹም፡
ስለ ዝበልኩኹምዶ ንሓድሕድኩም ትማራመሩ ኣሎኹም፧ [20] ንስኻትኩም ክትበኽዩን ክትሐዝኑን
ኢኹም፡ ዓለም ግና ባህ ኪብላ እዩ፡ ንስኻትኩም ክትጕህዩ ኢኹም፡ ግናኸ እቲ ጓሂኹም ናብ ሓጐስ
ከም ዚልወጥ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለኩም ኣሎኹ። [21] ሰበይቲ ኽትወልድ ከላ፡ ጊዜኣ ስለ ዝበጽሔ
ትጕሂ። ቈልዓ ምስ ወለደት ግና፡ ሰብ ኣብ ዓለም ስለ እተወልደ፡ ተሐጕሳ፡ ነቲ ጻዕራ ኣይትዝክሮን እያ።
[22] እምብኣርከ ንስኻትኩምውን ሎሚ ጓሂ ኣሎኩም፡ ግናኸ ከም ብሓድሽ ክርእየኩም እየ፡ ልብኹምውን
ኪሕጐስ እዩ። ሓጐስኩም ድማ ካባኹም ዚወስዶ የልቦን። [23] በታ መዓልቲ እቲኣ ሓንቲ እኳ

ኣይክትሐቱንን ኢኹም። ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ዅሉ ኸም ዝህበኩም፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ
እብለኩም አሎኹ። 24 ክሳዕ ሕጂ ሓንቲ እኳ ብስመይ ኣይለመንኩምዎን። ሓጐስኩም ምሉእ ምእንቲ
ኪኸውን፡ ለምኑ ኽትረኽቡ ድማ ኢኹም። 25 እዚ ብምስላ ነገርኩኹም። ብዛዕባ ኣቦ ንኣኻትኩም
ብግሁድ ዝነግረላ እምበር፡ ብምስላ ዘይዛረበላ ጊዜ ኽትመጽእ እያ። 26-27 በታ መዓልቲ እቲኣ ብስመይ
ክትልምኑ ኢኹም፡ ንስኻትኩም ኣነ ኻብ ኣምላኽ ከም ዝወጻእኩ ስለ ዝኣመንኩምን ዘፍቀርኩምንን፡
ኣቦ ባዕሉ የፍቅረኩም አሎ እሞ፡ ነቦ ምእንታኹም ኣነ ኸም ዝልምኖ፡ ኣይብለኩምን እየ። 28 ካብ ኣቦ
ወጺኤ ናብ ዓለም መጻእኩ፡ ንዓለም ሓዲገ ድማ ናብ ኣቦ እኸይድ አሎኹ። 29 እቶም ደቀ መዛሙርቱ
ኸኣ፥ እንሆ፡ ሕጂ ብግሁድ ትዛረብ አሎኻ፡ ሓንቲ እኳ ብሕቡእ ኣይተዛረብካን። 30 ኵሉ ኸም እትፈልጥ፡
ሓደ እኳ ኺሐተካውን ከም ዘየድልየካ፡ ሕጂ ፈለጥና፡ ስለዚ ኻብ ኣምላኽ ምውጻእካውን ንኣምን
አሎና፡ በልዎ። 31 የሱስ ከኣ፥ ሕጂዶ ኣሚንኩም፧ 32 እንሆ፡ ኵላትኩም ነንበይንኹም ነናብ ስፍራኹም
እትዝረውላ፡ ንበይነይውን እትሐድጉላ ጊዜ ትመጽእ ኣላ፡ ድሮ እኳ መጺኣ። ግናኸ ኣቦይ ምሳይ እዩ
እሞ፡ በይነይሲ ኣይኰንኩን። 33 ኣባይ ሰላም ምእንቲ ኽትረኽቡ፡ እዚ ነገርኩኹም። ኣብ ዓለም ጸበባ
አለኩም። ግናኸ ኣጆኹም፡ ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ፡ ኢሉ መለሰሎም።

# ምዕራፍ 17

1-2 የሱስ እዚ ተዛሪቡ ኣዒንቱ ናብ ሰማይ ቋሕ ኣቢሉ፡ በለ፥ ዎ ኣቦ፡ ሕጂ እታ ጊዜ በጺሓ፡ ነዞም
ዝሀብካዮ ዅላቶም ናይ ዘለኣለም ህይወት ምእንቲ ኺህቦምሲ፡ ንወድኻ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ምልኪ
ሂብካዮ ኢኻ እሞ፡ ንሱ ምእንቲ ኬኽብረካስ፡ ንወድኻ ኣኽብሮ። 3 ኣምላኽ ሓቂ ንስኻ በይንኻ
ምዃንካን ነቲ ዝለኣኽካዮ የሱስ ክርስቶስን ኪፈልጡ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዚኣ እያ። 4 ኣነ ነቲ
ኽገብሮ ዝሀብካኒ ግብሪ ፈጺመ፡ ኣብ ምድሪ ኣኽበርኩኻ። 5 ዎ ኣቦይ፡ ሕጂ ድማ በቲ ዓለም
ከይተፈጥረት ኣባኻ ዝነበረኒ ኽብሪ ኣባኻ ኣኽብረኒ። 6 ነዞም ካብ ዓለም ዝሀብካኒ ሰባት ስምካ
ገለጽኩሎም። ናትካ ነበሩ፡ ንኣይ ሀብካኒ፡ ቃልካውን ሐለዉ። 7 እቲ ዝሀብካኒ ዘበለ ዅሉ ካባኻ ምዃኑ
ሕጂ ፈለጡ። 8 እቲ ዝሀብካኒ ቓል ሀብክዎም፡ ንሳቶምውን ተቐበልዎ። ኣነ ኻባኻ ኸም ዝወጻእኩ ድማ
ብሐቂ ፈለጡ፡ ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒውን ኣመኑ። 9 ኣነ ምእንትኦም እልምን አሎኹ። ናትካ እዮም እሞ፡
ምእንቲ እዞም ዝሀብካኒ እምበር፡ ምእንቲ ዓለምሲ ኣይልምንን እየ። 10 ኵሉ ናተይ ናትካ እዩ፡ እቲ
ናትካውን ናተይ እዩ፡ ኣነውን ኣባታቶም ከበርኩ። 11 ደጊምሲ ኣነ ኣብ ዓለም ኣይነብርን እየ፡ ንሳቶም ግና
ኣብ ዓለም ኣለዉ፡ ኣነውን ናባኻ እመጽእ አሎኹ። ቅዱስ ኣቦይ፡ ነዞም ዝሀብካኒ፡ ከማና ሓደ ምእንቲ
ኪኾኑ፡ ብስምካ ሐልዎም። 12 ኣነ ምሳታቶም ኣብ ዓለም ከሎኹ፡ ብስምካ ሐሎኽዎም፡ ነዞም ዝሀብካኒ
ተኸናኸንክዎም። እቲ ጽሑፍ ምእንቲ ኺፍጸምሲ፡ ብዘይ እቲ ሓደ ወዲ ጥፍኣት ካባታቶም ዝጠፍኤ
የልቦን። 13 ሕጂ ግና ናባኻ እመጽእ አሎኹ፡ ሓጐሰይ ኣባታቶም ምእንቲ ኺፍጸም ድማ እዚ ኣብ ዓለም
እዛረብ አሎኹ። 14 ኣነ ቓልካ ሀብክዎም። ከምቲ ኣነ ካብ ዓለም ዘይኰንኩ፡ ንሳቶምውን ካብ ዓለም
ኣይኰኑን እሞ፡ ዓለም ጸልኣቶም። 15 ካብቲ ኽፉእ ክትሕልዎም እምበር፡ ካብ ዓለም ከተውጽኦም
ኣይኰንኩን ዝልምን ዘሎኹ። 16 ከምቲ ኣነ ኻብ ዓለም ዘይኰንኩ፡ ንሳቶምውን ካብ ዓለም ኣይኰኑን። 17
በቲ ሓቂ ቐድሶም፡ ቃልካ ሓቂ እዩ። 18 ከምቲ ንኣይ ናብ ዓለም ዝለእኽካኒ፡ ከምኡውን ኣነ ናብ ዓለም
ለኣኽክዎም። 19 ንሳቶም ብሓቂ ምእንቲ ኪቐደሱስ፡ ኣነ ርእሰይ ስሊኦም እቐድስ አሎኹ። 20 ስለቶም
ብቓሎም ብኣይ ዚኣምኑ ድማ እምበር፡ ስለ እዚኣቶም ጥራይ ኣይኰንኩን ዝልምን ዘሎኹ። 21 ዓለም፡

ንስካ ኸም ዝለኣኽካኒ፡ ምእንቲ ኽትኣምንሲ፡ ዎ ኣቦይ፡ ከምቲ ንስካ ኣባይ ዘሎኻ ኣነውን ኣባኻ፡ ከምኡ
ድማ ንሳቶም ኣባና ሓደ ኪኾኑ፡ ኵላቶም ሓደ ምእንቲ ኪኾኑ፡ እልምን ኣሎኹ። 22-23 ብኣንድነት
ፍጹማት ኪኾኑ፡ ዓለም ድማ ከምቲ ንኣይ ዝለኣኽካንን ዘፍቀርካንን፡ ከምኡ ንኣታቶምውን ከም
ዘፍቀርካዮም ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ ንሕና ሓደ ኸም ዝኾንና፡- ኣነ ኣባታቶም ንስኻውን ኣባይ፡- ሓደ
ምእንቲ ኪኾኑ፡ ኣነ እቲ ዝሀብካኒ ኽብሪ ሀብክዎም። 24 ዎ ኣቦይ፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ኣፍቂርካኒ
ኢኻ እሞ፡ እዞም ዝሃብካኒ ነቲ ዝሃብካኒ ኽብረይ ምእንቲ ኺርእዩስ፡ ኣብቲ ኣነ ዘሎኹዎ ንሳቶምውን
ኣብኡ ምሳይ ኪህልዉ እደሊ ኣሎኹ። 25 ጻድቕ ኣቦይ፡ ዓለም ኣይፈለጠትካን፡ ኣነ ግና ፈሊጠካ ኣሎኹ።
እዚኣቶምውን ንስኻ ኸም ዝለኣኽካኒ ፈሊጦም ኣለዉ። 26 እታ ብእኣ ዘፍቀርካኒ ፍቕሪ ኣባታቶም
ምእንቲ ኽትከውን ኣነውን ኣባታቶም፡ ስምካ ኣፍሊጠዮም ኣሎኹ ኽፍልጦምውን እየ።

## ምዕራፍ 18

1 የሱስ እዚ ኢሉ፡ ምስቶም ደቀ መዛሙርቱ ናብ ማዕዶ ርባ ቄድሮን፡ ናብታ ኣታኽልቲ ዘለዋ ቦታ መጸ፡
ምስቶም ደቀ መዛሙርቱውን ናብኣ ኣተወ። 2 የሱስ ምስ ደቀ መዛሙርቱ ኾይኑ ብዙሕ ጊዜ ናብኣ
ይኸይድ ስለ ዝነበረ፡ እቲ ዜትሕዞ ይሁዳ ድማ ነታ ቦታ እቲኣ ይፈልጣ ነበረ። 3 ይሁዳ ነቶም ጭፍራ
ሮማውያንን ንገላዉ ሊቃውንቲ ካህናትን ፈሪሳውያንን ተቐቢሉ፡ ፋናታትን መብራህትታትን ኣጽዋርን
ሒዙ ወጸ። 4 ሽዑ የሱስ ዚመጾ ዘበለ ፈሊጡ ወጸ እሞ፡ ንመን ትደልዩ ኣሎኹም፡ በሎም። 5 ንሳቶም፡
ንየሱስ ናዝሬታዊ፡ ኢሎም መለሱሉ። የሱስ ከኣ፡ ኣነ እየ፡ በሎም። እቲ ዜትሕዞ ይሁዳ ድማ ምሳታቶም
ደው ኢሉ ነበረ። 6 ሽዑ፡ ኣነ እየ፡ ምስ በሎም፡ ኣድሓርሓሩ ናብ ምድሪውን ወደቑ። 7 ከም ብሓድሽ
ድማ፥ ንመን ትደልዩ ኣሎኹም፡ ኢሉ ሐተቶም። ንሳቶም ከኣ፥ ንየሱስ ናዝሬታዊ፡ በሉ። 8-9 እቲ፡ ካብዞም
ዝሀብካኒ ሓደ እኳ ኣየጥፋእኩን፡ ዝበሎ ቓል ምእንቲ ኺፍጸም፡ የሱስ፡ ኣነ እየ ኢለኩም፡ ንኣይ ትደልዩ
እንተ ኣሊኹምሲ፡ ነዚኣቶም ይኺዱ ሕደግዎም፡ ኢሉ መለሰሎም። 10 ሽዑ እቲ ሰይፊ ዝነበሮ ስምኦን
ጴጥሮስ፡ ሰይፉ መሊሑ፡ ንባርያ ሊቀ ኻህናት ወቒዑ የማነይቲ እዝኑ ቈረጾ። ስም እቲ ባርያውን
ማልኮስ እዩ። 11 የሱስ ከኣ ንጴጥሮስ፥ ሰይፍኻ ናብ ሰፈሩ ምለሶ። ነታ ኣቦይ ዝሀበኒ ጽዋእሲ
ኣይሰትያንዶ እየ፡ በሎ። 12 ሽዑ እቶም ጭፍራን እቲ ሓለቓ ሽሕን እቶም ገላዉ ኣይሁድን ንየሱስ ሒዞም
ኣሰርዎ። 13 ሃና ነቲ በታ ዓመት እቲኣ ሊቀ ኻህናት ዝነበረ ቀያፋ ሓሙኡ ስለ ዝኾነ፡ ቅድም ናብኡ
ወሰድዎ። 14 ቀያፋ ኸኣ እቲ፡ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ሓደ ሰብኣይ እንተ ሞተ ይሐይሽ፡ ኢሉ ንኣይሁድ
ዝመኸሮም እዩ። 15 ስምኦን ጴጥሮስ ከኣ ምስቲ ሓደ ኻልእ ወደ መዝሙር ኰይኑ ንየሱስ ሰዐቦ። እቲ
ኣብ ሊቀ ኻህናት ፍሉጥ ዝነበረ ወደ መዝሙርውን ምስ የሱስ ናብ ገዛ ሊቀ ኻህናት ኣተወ። 16 ጴጥሮስ
ግና ኣብ ጥቓ ኣፍ ደገ ብወጻኢ ደው በለ። እቲ ኣብ ሊቀ ኻህናት ፍሉጥ ዝነበረ ወደ መዝሙር ከኣ ወጸ
እሞ ነታ ዐጻዊት ደገ ነጊሩ ንጴጥሮስ ኣእተዎ። 17 ሽዑ ሓንቲ ገረድ፡ ንሳ እታ ዐጻዊት ደገ፡ ንጴጥሮስ፥
ንስኻውንዶ ኻብ ደቀ መዛሙርቲ እዚ ሰብኣይ እዚ ኢኻ፡ በለቶ። ንሱ ግና፥ ኣይፋለይን፡ በለ። 18 ብዙሕ
ቍሪ ነበረ እሞ፡ እቶም ባሮትን ገላውን ሓዊ ኣጕሂሮም ደው ኢሎም ይስሕኑ ነበሩ። ጴጥሮስውን
ምሳታቶም ደው ኢሉ ይስሕን ነበረ። 19 ሽዑ እቲ ሊቀ ኻህናት ንየሱስ ብዛዕባ ደቀ መዛሙርቱን
ትምህርቱን ሐተቶ። 20 የሱስ ከኣ፥ ኣነ ንዓለም ብግሁድ እዛረብ፡ ኵሉ ሳዕውን ኣብቲ ኣይሁድ ዚእከቡሉ
ዘበለ፡ ኣብ ቤት ጸሎትን ቤተ መቕደስን እምህር ነይረ፡ ሓንቲ እኳ ብሕቡእ ኣይተዛረብኩን። 21
ንምንታይከ ንኣይ ትሐተኒ ኣሎኻ፧ ነቶም ዘረባይ ዝሰምዑ ሕተቶም። እንሆ፡ ንሳቶም ነቲ ኣነ

እተዛረብክዎ ይፈልጥዎ እዮም፡ ኢሉ መለሰሉ። [22] እዚ ምስ በለ፡ ካብቶም ገላው ሓደ ኣብኡ ደው ኢሉ
ዝነበረ፥ ንሊቀ ካህናትናዶ ኸምዚ ኢልካ ትመልሰሉ ኣሎኻ፡ ኢሉ ንየሱስ ጸፍዖ። [23] የሱስ ከኣ፥ ክፉእ
እንተ ተዛሪበ፡ ክፉእ ምዃኑ መስክር፡ ጽቡቕ ተዛሪበ እንተ ኾይነ ግና፡ ስለምንታይ ትወቕዓኒ ኣሎኻ፡
ኢሉ መለሰሉ። [24] ሃና ኸኣ ናብ ቀያፋ፡ እቲ ሊቀ ካህናት፡ ብእሱሩ ሰደዶ። [25] ስምኦን ጴጥሮስ ከኣ ደው
ኢሉ ሓዊ ይስሕን ነበረ። ስለዚ፥ ንስኻስ ካብቶም ደቀ መዛሙርቱ ደኾን ትኸውን፧ በልዎ። ንሱ ግና፥
ኣይፋለይ፡ ኢሉ ኸሐደ። [26] ካብቶም ባሮት ሊቃውንቲ ካህናት ሓደ፡ ነቲ ጴጥሮስ እዝኑ ዝቘረጾስ
ዘመዱ፥ ኣብቲ ኣታኽልቲዶ ባዕለይ ምስኡ ኣይርኤኹኻን፧ በሎ። [27] ሽዑ ጴጥሮስ ከም ብሓድሽ ከሐደ፡
ብኡብኡውን ደርሆ ነቀወ። [28] ሽዑ ንየሱስ ካብ ቀያፋ ናብ መጋባእያ ወሰድዎ፡ ንግሆ ድማ ነበረ።
ንሳቶም ግና፡ ገንሸል ፋስጋ ምእንቲ ኺበልዑስ፡ ከይረኽሱ ናብ መጋባእያ ኣይኣተዉን። [29] ሽዑ ጲላጦስ
ናባታቶም ናብ ወጻኢ ወጺኡ፡ ነዚ ሰብኣይዚ እንታይ ክሲ ተምጽኡሉ ኣሎኹም፡ በሎም። [30] ንሳቶም፥
እዚ ገባር ክፉእ እንተ ዘይከውንሲ፡ ናባኻ ኣይመሕለፍናዮን ኔርና፡ ኢሎም መለስሉ። [31-32] ሽዑ ጲላጦስ
ንስካትኩም ውሰድዎ፡ ከምቲ ሕግኹም ጌርኩምውን ፍረድዎ፡ በሎም። የሱስ በየናይ ሞት ኪመውት
ከም ዘለዎ ኼመልክት ከሎ ዝበሎ ቓል ምእንቲ ኺፍጸም፡ እቶም ኣይሁድ፥ ንኣናስ ንሓደ እኳ ኽንቀትል
ከቶ ኣይተፈቕደልናን፡ በልዎ። [33] ሽዑ ጲላጦስ ከም ብሓድሽ ናብ መጋባእያ ኣተወ፡ ንየሱስ ጸዊዑ ኸኣ፥
ንስኻዶ ንጉስ ኣይሁድ ኢኻ፡ በሎ። [34] የሱስ ድማ፥ እዚ እትዛረቦስ ካብ ርእስኻ ዲኻ እትብሎ ዘሎኻ፡
ወይስ ብዛዕባይ ካልኦት ነጊሮምኻ እዮም፡ ኢሉ መለሰ። [35] ጲላጦስ ከኣ፥ ኣነ እሞ ኣይሁዳዊ ደኾይነ፡
ህዝብኻን ሊቃውንቲ ካህናትን ደይኮኑን ናባይ ዘሕለፉኻ፧ እንታይ ጌርካ ኢኻ፧ ኢሉ መለሰሉ። [36] የሱስ
ከኣ፥ መንግስተይ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮነትን ካብዛ ዓለም እዚእ እንተ ትኸውንሲ፡ ብኣይሁድ
ከይተሐዝ፡ ገላዎይ ምተዋግኡለይ ነይሮም። ሕጂ ግና መንግስተይ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኣይኮነትን፡ ኢሉ
መለሰ። [37] ጲላጦስ ድማ፥ እምብኣርከስ ንስኻ ንጉስ ኢኻ፡ በሎ። የሱስ ከኣ፥ ንጉስ ምዃነይሲ ንስኻ እኳ
ትብል ኣሎኻ። ኣነ ንሓቂ ኽምስክር፡ ምእንትዚ ተወለድኩ፡ ምእንትዚውን እየ ናብ ዓለም ዝመጻእኩ።
ካብ ሓቂ ዝኾነ ኵሉ ኸኣ ድምጸይ ይሰምዕ እዩ፡ ኢሉ መለሰ። [38] ጲላጦስ ከኣ፡ ሓቂ እንታይ እዩ፧ በሎ።
እዚ ኢሉ ከም ብሓድሽ ናብ ኣይሁድ ወጺኡ፥ ኣነስ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩሉን፡ [39] ንኣኻትኩም
ግና በብፋስጋ ሓደ እሱር ክፈትሓልኩም ልማድ ኣሎኩም። እምብኣርሲ ነዚ ንጉስ ኣይሁድ
ክፈትሓልኩምዶ ትደልዩ ኢኹም፡ በሎም። [40] ሽዑ ኸም ብሓድሽ ዓው ኢሎም፥ ንበርባን ደኣ እምበር፡
ነዝስ ኣይኮነን፡ በሉ። በርባን ግና ከታሪ እዩ ዝነበረ።

## ምዕራፍ 19

[1] ሽዑ ጲላጦስ ንየሱስ ወሲዱ ገረፎ። [2] እቶም ጭፍራ ኸኣ ኣኽሊል እሾኽ ተኒኖም፡ ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ፡
ቀይሕ ባርኖስውን ከደንዎ። [3] መመጺኦም ከኣ፥ ዎ ንጉስ ኣይሁድ፡ ከመይ ኢኻ፧ ይብልዎ ገጹውን
ይጸፍዕዎ ነበሩ። [4] ጲላጦስ ከም ብሓድሽ ናብ ወጻኢ ወጺኡ፥ እዚ ሰብኣይዚ ሓንቲ በደል እኳ ኸም
ዘይረኸብኩሉ ኽትፈልጡ፡ እንሆ፡ ናብ ወጻኢ ኤውጽኣልኩም ኣሎኹ፡ በሎም። [5] ሽዑ የሱስ ኣኽሊል
እሾኽ ደፊኡን ቀይሕ ባርኖስ ተኸዲኑን ናብ ወጻኢ ወጸ። ጲላጦስ ድማ፥ እንሆ እቲ ሰብኣይ፡ በሎም። [6]
ሊቃውንቲ ካህናትን እቶም ገላውን ምስ ረኣይዎ፥ ስቐሎ፡ ስቐሎ፡ ኢሎም ጫውጫው በሉ። ጲላጦስ
ከኣ፥ ኣነስ ሓንቲ በደል እኳ ኣይረኸብኩሉን፡ ንስኻትኩም ወሲድኩም ስቐልዎ፡ በሎም። [7] ኣይሁድ ከኣ፥
ንሕና ሕጊ ኣሎና፡ ንሱ ንርእሱ ወዲ ኣምላኽ ገይሩ እዩ እሞ፡ ከም ሕግና ኺመውት ይግብኦ እዩ፡

ኢሎም መለሱሉ። 8 ጲላጦስ እዚ ዘረባዚ ምስ ሰምዔ፡ ኣዝዩ ፈርሄ። 9 ከም ብሓድሽ ናብ መጋባእያ ኣተወ
እሞ ንየሱስ፥ ኣታ፡ ካበይ ኢኻ፧ በሎ። የሱሱ ግና ኣይመለሰሉን። 10 ጲላጦስ ከኣ፥ ንኣይከ ኣይትዛረበንን
ዲኻ፧ ክሰቕለካን ክፈትሓካን ስልጣን ከም ዘሎኒዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ፧ በሎ። 11 የሱስ ከኣ፥ ካብ ላዕሊ
እንተ ዘይውሀበካስ፡ ኣባይ ስልጣን ኣይምሀለወካን ነይሩ። ስለዚ እቲ ኣባኻ ዘትሕዘኒ ሓጢኣቱ ዝገደደ
እዩ፡ ኢሉ መለሰሉ። 12 ካብኡ ንነጀው ጲላጦስ ኪፈትሖ ደለየ። ኣይሁድ ግና፥ ነዚ እንተ ፈታሕካዮ፡
ፈታው ቄሳር ኣይኰንካን። ርእሱ ኼንግስ ዚደሊ ዘበለ ዅሉ መቐናቕንቲ ቄሳር እዩ፡ ኢሎም ጫውጫው
በሉ። 13 ጲላጦስ ነዚ ዘረባዚ ምስ ሰምዔ፡ ንየሱስ ናብ ወጻኢ ወሲዱ፡ ኣብቲ ጸፍጸፍ ዚብልዎ፡
ብእብራይስጢ ገበታ ዚብሀል ስፍራ ኣብ መንበር ፍርዲ ተቐመጠ። 14 ድሮ ፋስጋ፡ ኣስታት ሳድሰይቲ
ሰዓት ኣቢሉ ነበረ። ንኣይሁድ ከኣ፥ እንሆ ንጉስኩም፡ በሎም። 15 ሽዑ ንሳቶም፥ ንየው በሎ፡ ንየው በሎ፡
ስቐሎ፡ ኢሎም ጫውጫው በሉ። ጲላጦስ ከኣ፥ ንንጉስኩምዶ ኽሰቕሎ፡ በሎም። እቶም ሊቃውንቲ
ኻህናት ከኣ፥ ብዘይ ቄሳር ንጉስ የብልናን፡ ኢሎም መለሱ። 16 ሽዑ ኺሰቕልዎ ኣሕሊፉ ሀቦም።
ተቐቢሎም ድማ ወሰድዎ። 17 መስቀሉ ጾይሩ ኸኣ፡ ቀረንቀራ ርእሲ ናብ እትብሀል ስፍራ፡ ብእብራይስጢ
ድማ ጐልጎታ እትብሀል፡ ወጸ። 18 ኣብኣ ሰቐልዎ፡ ክልተ ኻልኦት ድማ ምስኡ፡ ሓደ በዚ፡ ሓደ በቲ፡
የሱስውን ኣብ ማእከሎም። 19 ጲላጦስ ድማ ጽሕፈት ጽሒፉ ኣብቲ መስቀል ኣንበሮ። እቲ ጽሕፈት ኸኣ
የሱስ ናዝራዊ፡ ንጉስ ኣይሁድ፡ ዚብል እዩ። 20 እታ የሱስ እተሰቕለላ ስፍራ ጥቓ እታ ኸተማ ስለ
ዝነበረት፡ ነዚ ጽሑፍ እዚ ብዙሓት ካብ ኣይሁድ ኣንበብዎ። እቲ ጽሕፈት ኸኣ ብቛንቛ እብራይስጥን
ሮሜን ጽርእን እዩ። 21 ስለዚ እቶም ሊቃውንቲ ኻህናት ኣይሁድ ንጲላጦስ፥ ንሱ ባዕሉ፥ ኣነ ንጉስ
ኣይሁድ እየ፡ ከም ዝበለ ደኣ እምበር፡ ንጉስ ኣይሁድ እዩ፡ ኢልካስ ኣይትጽሐፍ፡ በልዎ። 22 ጲላጦስ፥
ዝጸሐፍክዎ ጸሐፍኩ፡ ኢሉ መለሰ። 23 እቶም ዓቀይቲ ግና ንየሱስ ምስ ሰቐልዎ፡ ክዳውንቱ ኣልዒሎም
ኣብ ኣርባዕተ ምስ መቐልዎ፡ ነንሓደ ዓቀይታይ ግዲኡ፡ ነቲ ቐምሹውን ከምኡ። እቲ ቐምሹ ግና ካብ
ላዕሊ ኽሳዕ ታሕቲ ዅለንትናኡ እሉም ነበረ እምበር፡ ስፉይ ኣይነበሮን። 24 ንሓድሕዶም ከኣ፥ ንዘበጽሔ
ኪበጽሖስ ዕጭ ደኣ ነውድቐሉ እምበር፡ ኣይንቕደዶ፡ ተባሃሀሉ። እቲ ክዳውንተይ ንርእሶም ተማቐልዎ፡
ንቐምሸይውን ዕፀ ተዋደቑሉ፡ ዝብል ጽሑፍ ምእንቲ ኪፍጸም እዮም እቶም ዓቀይቲ እዚ ዝገበሩ። 25
ኣብ ጥቓ መስቀል የሱስ ከኣ ኣዲኡን ሓብቲኖኡ ማርያም ሰበይቲ ቀሌዮጳን ማርያም መግደላዊትን ደው
ኢለን ነበራ። 26 የሱስ ነዲኡን ነቲ ዜፍቅሮ ወደ መዝሙርውን ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉን ምስ ረኣየ፡ ነዲኡ፥
ኣቲ ሰበይቲ፡ እንሆ ወድኺ፡ በላ። 27 ነቲ ወደ መዝሙር ከኣ፥ እንሃ ኣዴኻ፡ በሎ። እቲ ወደ
መዝሙርውን ካብ ሽዑ ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ። 28 ድሕርዚ የሱስ ኲሉ ኽም እተፈጸመ ፈሊጡ፡ እቲ
ዝሑፍ ምእንቲ ኪፍጸም፥ ጸማእኩ፡ በለ። 29 ኣብኡ መጺጽ ዝመልኤ ኣቕሓ ነበረ፡ ሽዑ መጺጽ ዝመልኤ
ሰፍነግ ኣብ ዘንጊ ስምዕዛ ገይሮም ናብ ኣፉ ኣቕረቡሉ። 30 የሱስ ከኣ ነቲ መጺጽ ዝመልኤ ምስ ጠዐመ፥
ተፈጸመ፡ በለ። ርእሱ ኣድኒኑ፡ ነፍሱውን ወጸት። 31 ስለዚ፡ ድሮ ሰንበት ነበረ እሞ፡ እታ ሰንበት እቲኣ
ክብርቲ በዓል ዓመት ስለ ዝኾነት፡ እቲ ስጋኦም ኣብ መስቀል ምእንቲ ኸይሐድር፡ መሓዅልቶም
ሰሰቢሮም ኬውርድዎም፡ እቶም ኣይሁድ ንጲላጦስ ለመንዎ። 32 ሽዑ እቶም ዓቀይቲ መጺኦም
መሓዅልቲ እቲ ቐዳማይን ናይቲ ምስኡ እተሰቕለ ኣልኣይን ሰበሩ። 33 ናብ የሱስ ምስ መጹ ግና፡ ሽዓ
ኸም ዝሞተ ርእዮም፡ መሓዅልቱ ኣይሰበርዎን። 34 ሓደ ካብቶም ዓቀይቲ ግና ጐድኑ ብዅናት ወግኦ፡
ብኡብኡ ኸኣ ደምን ማይን ወጸ። 35 እቲ ዝረአየ ኸኣ መስከረ፡ ምስክሩውን ሓቂ እዩ። ንሱ ኸኣ፡
ንስኻትኩም ምእንቲ ኽትኣምኑ፡ ሓቂ ኽም እተዛረበ ይፈልጥ ኣሎ። 36 እቲ፥ ካብኡ ሓደ ዓጽሚ እኳ
ኣይኪሰብሩን እዮም፡ ዚብል ጽሑፍ ምእንቲ ኪፍጸም እዩ እዚ ዝኾነ። 37 ካልእ ጽሑፍውን፥ እቶም

ዝወግእዎ ኺርእይዎ እዮም፡ ይብል እዩ። 38 ድሕርዚ ዮሴፍ ብዓል ኣርማትያስ፡ እቲ ንኣይሁድ ስለ
ዝፈርሄ ብሕቡእ ወደ መዝሙር የሱስ ዝነበረ፡ ንሱ ስጋ የሱስ ኪወስድ ንጲላጦስ ለመኖ። ጲላጦስ ከኣ
ፈቐደሉ። ሽዑ ኸይዱ ንስጋ የሱስ ወሰዶ። 39 እቲ ቐድም ብለይቲ ናብ የሱስ መጺኡ ዝነበረ
ኒቆዲሞስውን መጸ እሞ ኣስታት ሚእቲ ነጥሪ ዚኣክል ከርበን ዓልወን እተሐሰ ኣምጸኤ። 40 ንስጋ የሱስ
ወሲዶም፡ ከምቲ ልማድ ቀብሪ ኣይሁድን ኣጋናንዛኦምን ብበፍታ ምስ ሽቱ ገይሮም ገነዝዎ። 41 ኣብታ
እተሰቕለላ ስፍራ ድማ ኣታክልቲ ነበረ። ኣብታ ኣታኽልቲ ኸኣ እተቐብረሉ ዜብሉ ሓድሽ መቓብር
ጸንሔ። 42 እቲ መቓብር ቀረባ ነበረ እሞ፡ ድሮ ሰንበት ስለ ዝነበረ፡ ንየሱስ ኣብኡ ኣንበርዎ።

## ምዕራፍ 20

1 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን ግና ማርያም መግደላዊት፡ ገና ጸልማት ከሎ፡ ኣንጊሃ ናብቲ መቓብር
መጸት፡ ነቲ እምኒ ኸኣ ካብ ኣፍ መቓብር ተፈንቂሉ ረኣየቶ። 2 ስለዚ ንሳ ጐየያ፡ ናብ ስምኦን ጴጥሮስን
ናብቲ የሱስ ዜፍቅሮ ኻልእ ወደ መዝሙርን መጺኣ፥ ንጐይታና ካብ መቓብር ወሲዶምዎ፡ ኣበይ ከም
ዘንበርዎ ኣይንፈልጥን፡ በለቶም። 3 ጴጥሮስን እቲ ሓደ ወደ መዝሙርን ከኣ ወጹ፡ ናብቲ መቓብርውን
ከዱ። 4 ክልቲኣቶም ብሓንሳእ ጐየዩ እሞ እቲ ሐደ ወደ መዝሙር ንጴጥሮስ ቀደሞ። ኣብቲ መቓብርውን
ቅድም በጽሔ። 5 ደኒኑ እንተ ጠመተ ኸኣ፡ ኣብኡ መጋንዝ ረኣየ፡ ግናኸ ኣይኣተወን። 6 ሽዑ ስምኦን
ጴጥሮስ ደድሕሪኡ መጺኡ፡ ናብቲ መቓብር ኣተወ ነቲ መጋንዝውን ተነቢሩ ረኣዮ። 7 እቲ ኣብ ርእሱ
ዝነበረ መኣረምያ ኸኣ ንበይኑ ተጠቕሊሉ ነበረ እምበር፡ ምስቲ መጋንዝ ኣይነበረን። 8-9 ሽዑ እቲ ቐድም
ናብ መቓብር ዝመጸ ኻልእ ወደ መዝሙር ድማ ኣተወ፡ ነቲ ኻብ ምዉታት ኪትንስእ ይግብእ እዩ፡
ዚብል ጽሑፍ ግና ኣየስተውዐልዎን ነበሩ እሞ፡ ርእዩ ኣመነ። 10 ሽዑ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ናብ ቤቶም
ተመልሱ። 11 ማርያም ግና ኣብቲ ኣፍ መቓብር ደው ኢላ ትበኪ ነበረት። እናበኸየት ከኣ ናብቲ መቓብር
ድንን ኢላ፡ 12 ኣብቲ ስጋ የሱስ ዝነበሮ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ ኽልተ መልኣኽ፡ ሓደ ብትርኣስ ሓደ
ብትርጋጽ፡ ረኣየት። 13 ንሳቶም ከኣ፡ ኣቲ ሰበይቲ፡ እንታይ የብክየኪ ኣሎ፧ በልዋ። ንሳ፡ ንጐይታይ
ወሲዶምዎ፡ ኣበይ ከም ዘንበርዎ ኸኣ ኣይፈልጥን፡ በለቶም። 14 እዚ ኢላ ንድሕሪኣ ግልጽ በለት እሞ
ንየሱስ ደው ኢሉ ረኣየቶ። የሱስ ምዃኑ ግና ኣይፈለጠትን። 15 የሱስ ከኣ፥ ኣቲ ሰበይቲ፡ እንታይ
የብኪየኪ ኣሎ፧ ንመንሲ ትደልዩ ኣሎኺ፡ በላ። ንሳ ኸኣ ሓላዊ ኣታኽልቲ መሲልዋ፡ ጐይታይ፡ ንስኻ
ኣልዒልካዮ እንተ ዀንካስ፡ ኣነ ኽወስዶ፡ ኣበይ ከም ዘንበርካዮ ንገረኒ፡ በለቶ። 16 የሱስ ከኣ፥ ማርያም፡
በላ። ንሳ ድማ ግልጽ ኢላ፡ ብእስራይስጢ፥ ረቡኒ፡- ትርጉሙ መምህረይ ማለት እዩ። 17 የሱስ ከኣ፡ ገና
ናብ ኣቦይ ኣይደየብኩን እሞ፡ ኣይትተንክይኒ። ግናኸ ናብ ኣሕዋተይ ኪዲ እሞ፡ ናብ ኣቦይን ኣቦኹምን
ናብ ኣምላኸይን ኣምላኽኩምን እድይብ ኣሎኹ፡ በልዮም፡ በላ። 18 ማርያም መግደላዊት፡ ንጐይታ ኸም
ዝረኣየቶን እዚውን ከም ዝበላን፡ ከይዳ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ነገረቶም። 19 በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ
ሰሙን፡ ምድሪ ምስ መሰየ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቱ ነቶም ኣይሁድ ስለ ዝፈርሁዎም፡ መዓጹ ተሸጒሩ
ነበረ እሞ፡ የሱስ ኣብታ ተኣኪቦምላ ዘለዉ መጺኡ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ፡ ሰላም ንኣኻትኩም
ይኩን፡ በሎም። 20 እዚ ምስ በሎም ከኣ፡ ኣእዳዉን ጐድኑን ኣርኣዮም። እቶም ደቀ መዛሙርቲውን
ንጐይታ ምስ ረኣይዎ፡ ተሐጐሱ። 21 ሽዑ የሱስ ከም ብሓድሽ፡ ሰላም ንኣካትኩም ይዅን። ከምቲ ኣቦ
ንኣይ ዝለኣኸኒ፡ ኣነውን ከምኡ እልእከኩም ኣሎኹ፡ በሎም። 22 እዚ ኢሉ ኡፍ በለሎም እሞ፡ መንፈስ
ቅዱስ ተቐበሉ፡ 23 ሓጢኣቶም ንዝሓደግኩምሎም ይሕደገሎም፡ ንዝሐዝኩምሎም ከኣ ይተሐዘሎም እዩ፡

በሎም። [24] እቲ ዲዲሞስ ዚብሀል ቶማስ፡ ሓደ ኻብቶም ዓሰርተው ክልተስ ግና፡ የሱስ ኪመጽእ ከሎ፡
ምሳታቶም ኣይነበረን። [25] እቶም ካልኦት ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ፡ ንጐይታ ርኢናዮ፡ በልዎ። ንሱ ግና፡ ኣሰር
እቲ ሸንካር ኣብ ኢዱ እንተ ዘይርኤኹ፡ ኣጻብዔይ ድማ ኣብቲ እተሸንከሮ እንተ ዘየእቶኹ፡ ኣብ
ጐድኑውን ኢደይ እንተ ዘየእቶኹስ፡ ኣይኣምንን እየ፡ በሎም። [26] ድሕሪ ሾሞንተ መዓልቲ ኸኣ እቶም ደቀ
መዛሙርቱ ኸም ብሓድሽ ኣብ ውሽጢ ነበሩ፡ ቶማስውን ምሳታቶም ነበረ። መዓጹ ተሸጕሩ ኸሎ፡ የሱስ
መጺ፡ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉውን፡ ሰላም ንኣኻትኩም ይኹን፡ በሎም። [27] ደሓር ከኣ ንቶማስ፡
ኣጻብዕካ ናብዚ ኣምጽእ ነእዳወይውን ርአ፡ ኢድካ ኸኣ ናብዚ ኣምጽእ እሞ ናብ ጐድነይ ኣእትዋ፡ ኣማኒ
እምበር፡ ዘይኣማኒ ኣይትኹን፡ በሎ። [28] ቶማስ መሊሱ ከኣ፡ ጐይታይን ኣምላኸይን፡ በሎ። [29] የሱስ ከኣ፡
ሳላ ዝርኤኻኒ ኢኻ ዝኣመንካ፡ እቶም ከይረኣዩ ዚኣምኑ ብጹኣን እዮም፡ በሎ። [30] የሱስ ድማ ኣብዚ
መጽሓፍ እዚ ዘይተጻሕፈ ኻልእ ብዙሕ ተኣምራት ኣብ ቅድሚ ደቀ መዛሙርቱ ገበረ። [31] ግናኸ የሱስ፡
ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ምእንቲ ኽትኣምኑ፡ ኣሚንኩምውን ብስሙ ህይወት ኽትረኽቡ እዩ
እዚ እተጻሕፈ።

## ምዕራፍ 21

[1] ድሕርዚ ኸኣ የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ኣብ ጥቓ ባሕሪ ጥብርያዶስ ከም ብሓድሽ ተገልጸሎም፡ በዚ
ኸምዚውን ተራእዮም፥ [2] ስምኦን ጴጥሮስን ዲዲሞስ ዚብልዎ ቶማስን ናትናኤል ብዓል ቃና ገሊላን ደቀ
ዘብዴዎስን ክልተ ኻልኦት ከኣ ካብ ደቀ መዛሙርቱን ብሓደ ነበሩ። [3] ስምኦን ጴጥሮስ ድማ፥ ኣነስ ዓሳ
ኽገፍፍ ክኸይድ እየ፡ በሎም። ንሳቶም ከኣ፥ ንሕናውን ምሳኻ ንኸይድ፡ በልዎ። ወጺኦም ናብ ጃልባ
ኣተዉ፡ በታ ለይቲ እቲኣ ሓደ እኳ ኣይሐዙን። [4] ምድሪ ምስ ወግሔ፡ የሱስ ኣብ ገምገም ደው በለ።
እቶም ደቀ መዛሙርቱ ግና የሱስ ምዃኑ ኣይፈለጡን። [5] የሱስ ከኣ፥ ደቀይ፡ ገለ ዚብላዕዶ አሎኩም፧
በሎም። ንሳቶም፥ የብልናን፡ ኢሎም መለሱሉ። [6] ንሱ ኸኣ፥ ነቲ መርበብ ናብ የማን ጃልባ ኣቢልኩም
ደርብይዎ እሞ ክትረኽቡ ኢኹም፡ በሎም። ሸዑ ደርበይዎ እሞ ካብ ብዝሒ እቲ ዓሳ እተላዕለ ምስሓቡ
ሰኣኑ። [7] እቲ የሱስ ዜፍቅሮ ወደ መዝሙር ከኣ ንጴጥሮስ፥ ጐይታና እምበር እዩ፡ በሎ። ስምኦን ጴጥሮስ
ድማ ጐይታ ምዃኑ ምስ ሰምዔ፡ ጥራዩ ነበረ እሞ፡ ክዳኑ ተዐጢቑ ናብ ባሕሪ ዘለለ። [8] እቶም ካልኦት
ደቀ መዛሙርቲ ድማ ካብ ምድሪ ኣስታት ክልተ ሚእቲ እመት ጥራይ ርሒቖም ነበሩ እሞ፡ ነቲ ዓሳ
ዝመልኤ መርበብ እናሰሐብዎ፡ ብጃልባ መጹ። [9] ናብ ምድሪ ምስ ወረዱ ኸኣ፡ ጓህርን ዓሳ ኣብ ልዕሊኡን
እንጌራ ረኣዩ። [10] የሱስ ከኣ፡ ካብዚ ሕጂ ዝገፈፍኩምዎ ዓሳ ኣምጽኡ፡ በሎም። [11] ስምኦን ጴጥሮስ ናብታ
ጃልባ ኣትዩ፡ ነቲ ሚእትን ሓምሳን ሰለሰትን ገዘፍቲ ዓሳ ዝመልኤ መርበብ ናብ ምድሪ ጓተቶ። ክሳዕ
ክንድዚ ብዙሓት ክነሶምሲ፡ እቲ መርበብ ኣይተቐደን። [12] የሱስ ድማ፥ ንዑ ተመስሑ፡ በሎም። እቶም
ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ፡ ጐይታ ምዃኑ ስለ ዝፈለጡ፡ ካባታቶም ሓደ እኳ፥ ንስኻ መን ኢኻ፧ ኢሉ ኺሐቶ
ዝደፈረ የልቦን። [13] የሱስ መጺኡ ነቲ እንጌራ ኣልዒሉ ሀቦም፡ ከምኡውን ነቲ ዓሳ። [14] የሱስ ድሕሪ ኻብ
ምዉታት ምትንሳኡ ንደቀ መዛሙርቱ እተገልጸሎም እዚ ሳልሳይ ጊዜኡ እዩ። [15] ምስ ተመስሑ ኸኣ፡
የሱስ ንስምኦን ጴጥሮስ፥ ስምኦን ወዲ ዮና፡ ካብ እዚኣቶም ኣብሊጽካዶ ተፍቅረኒ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፥
እወ ጐይታይ፡ ኣነ ኸም ዘፍቅረካ፡ ንስኻ ትፈልጥ አሎኻ፡ በሎ። ንሱ፥ ዕያውተይ ኣብልዕ፡ በሎ። [16] ከም
ብሓድሽ ከኣ ካልኣይ ጊዜ፥ ስምኦን ወዲ ዮና፡ ተፍቅረኒዶ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ፥ እወ ጐይታይ፡ ኣነ ኸም
ዘፍቅረካ፡ ንስኻ ትፈልጥ አሎኻ፡ በሎ። ንሱ፥ ኣባጊዔይ ሐሉ፡ በሎ። [17] ሳልሳይ ድማ፥ ስምኦን ወዲ ዮና፡

ተፍቅረኒዶ ኢኻ፧ በሎ። ጴጥሮስ፡ ሳልሳይ ጊዜ ተፍቅረኒዶ ኢኻ፧ ስለ ዝበሎ፡ ጕህዩ፥ ጐይታይ፡ ንስኻ
ኹሉ ትፈልጥ ኢሎኻ፡ ኣነ ኸም ዘፍቅረካውን ትፈልጥ ኢሎኻ፡ በሎ። የሱስ ከኣ፥ ኣባጊዔይ ኣብልዕ። [18]
ንስኻ በጽሒ ኸሎኻ፡ ባዕልኻ ተዐጢቕካ ናብ ዝደሌኻዮ ትኸይድ ኔርካ። ምስ ኣረግካ ግና፡ ኣእዳውካ
ኸም እተልዕል እሞ ካልእ ከም ዜዕጥቐካ ናብ ዘይደሌኻዮውን ከም ዚወስደካ፡ ብሓቂ፡ ብሓቂ እብለካ
ኣሎኹ፡ በሎ። [19] ብኸመይ ዝመሰለ ሞት ንኣምላኽ ኬኽብሮ ኸም ዘለዎ ምእንቲ ኺሕብረሉ እዩ እዚ
ዝበለ። እዚ ምስ ተዛረበ ኸኣ፥ ስዐበኒ፡ በሎ። [20] ጴጥሮስ ድማ ግልጽ ኢሉ፡ ነቲ የሱስ ዜፍቅሮ ወደ
መዝሙር ኪስዕብ ከሎ ረኣዮ። ንሱ እቲ ኺድረሩ ኸለዉ፡ ኣብ ልቢ የሱስ ጽግዕ ኢሉ ተቐሚጡ ዝነበረ
እሞ፥ ጐይታይ፡ ኣሕሊፉ ዚህበካ መን እዩ፧ ዝበሎ እዩ። [21] ሽዑ ጴጥሮስ ንእኡ ርእዩ ንየሱስ፥ ጐይታይ፡
እዚኸ ኸመይ ምኳኑ፧ በሎ። [22] የሱስ ከኣ፥ ክሳዕ ዝመጽእ ኪጸንሕ እንተ ፈቶኹኸ፡ እንታይ ገዲሱካ፡
ንስካ ግዳ ስዐበኒ፡ በሎ። [23] ስለዚ እቲ ወደ መዝሙር እቲ ኸም ዘይመውት፡ እዚ ዘረባ እዚ ኣብ ማእከል
ኣሕዋት ወጸ። የሱስ ግና፥ ክሳዕ ዝመጽእ ኪጸንሕ እንተ ፈቶኹኸ፡ እንታይ ገዲሱካ፧ በለ እምበር፡
ኣይመውትን እዩስ፡ ኣይበሎን። [24] እቲ ብዛዕባዚ ዝመስከረን ዝጸሐፈን እዚ ወዲ መዝሙር እዚ እዩ። እቲ
ምስክሩ ሓቂ ምዃኑ ድማ ንሕና ንፈልጥ ኢና። [25] የሱስ ዝገበሮ ግብሪ ድማ ብዙሕ ካልእ ኣሎ። ኵሉ
በብሓደ ተጽሒፉ እንተ ዚኸውንሲ፡ ነቲ እተጻሕፈ መጻሕፍቲ ኹላ እዛ ዓለም እኳ ኣይምኣኸለቶን
ይመስለኒ።

# ግብሪ ሃዋርያት

## ምዕራፍ 1

1 ዎ ቴዎፍሎስ፡ ብዛዕባቲ የሱስ ኪገብሮን ኪምህሮን ዝጀመረሉ ኹሉ እቲ ቐዳማይ ዛንታ ጽሒፈልካ
ኣሎኹ፡ 2 ክሳዕ እታ ዝዐረገላ መዓልቲ ነቶም ዝሐረዮም ሃዋርያት ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ለኣኾም፡ 3
ድሕሪ ስቅያቱ ኣርብዓ መዓልቲ እናተራእዮምን ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናነገሮምን ብብዙሕ
መፈለጥታ ህያው ምዃኑ ርእሱ ኸም ዘርኣዮምን ጽሒፈልካ ኣሎኹ። 4-5 ምሳታቶም ብሓንሳእ ከሎ ኸኣ፡
ዮሃንስ ብማይ እዩ ዘጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ድሕሪ ቑሩብ መዓልቲ ብመንፈስ ቅዱስ ክትጥመቑ
ኢኹም እሞ፡ ነቲ ኻባይ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ፡ ኢሉ ኻብ የሩሳሌም ከይወጹ ኣዘዞም። 6
ሽዑ ተኣኪቦም ከለዉ፡ ጐይታይ፡ በዚ ወርሓት እዚዶ ንእስራኤል መንግስቲ ኸተቕንዕ ኢኻ፧ ኢሎም
ሐተትዎ። 7 ንሱ ኸኣ፡ ኣቦ ብስልጣኑ ዝመደቦ ዘመኑን ጊዜኡን ክትፈልጡ ናታትኩም ኣይኮነን። 8
መንፈስ ቅዱስ ናባኻትኩም ምስ ዚወርድ ግና፡ ሓይሊ ኽትቅበሉ፡ ኣብ የሩሳሌምን ኣብ ኵላ ይሁዳን
ኣብ ሰማርያን ክሳዕ ወሰን ምድሪ ምስክር ክትኰኑኒ ኢኹም፡ በሎም፡ 9 እዚ ምስ በለ ድማ፡ እናረኣይዎ
ዐረገ፡ ካብ ኣዒንቶም ከኣ ደበና ተቐበለቶ። 10 ንሱ ኺዐርግ ከሎ፡ ንሳቶም ከኣ ናብ ሰማይ ገጾም ኪጥምቱ
ኸለዉ፡ እንሆ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ ኽልተ ሰብኡት ኣብ ጥቓኦም ደው ኢሎም ነበሩ እሞ፡ 11
ኣቱም ሰብ ገሊላ፡ ስለምንታይ ናብ ሰማይ እናጠመትኩም ደው ኢልኩም ዘሎኹም፧ እዚ ኻባኻትኩም
ናብ ሰማይ ዝዐረገ የሱስ፡ ከምቲ ናብ ሰማይ ኪዐርግ ከሎ ዝርኤኹምዎ ኸምኡ ገይሩ ኸኣ ኪመጽእ እዩ፡
በልዎም። 12 ሽዑ ደብረ ዘይቲ ኻብ ዚብሃል፡ ንየሩሳሌም ከኣ መገዲ ሰንበት ዚኣክል ካብ ዚቐርብ ከረን፡
ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። 13 ምስ ኣተዉ ኸኣ፡ ናብታ ደርቢ ደየቡ፡ ጴጥሮስን ዮሃንስን ያእቆብን
እንድርያስን ፊልጶስን ቶማስን በርተሎሜዎስን ማቴዎስን ያእቆብ ወዲ እልፍዮስን ስምኦን ቀናእን ይሁዳ
ወዲ ያእቆብን ብሓንሳእ ይነብሩ ነበሩ። 14 እዚኣቶም ኵሎም ምስ ሓያሎ ኣንስትን ምስ ማርያም ኣደ
የሱስን ምስ ኣሕዋቱን ኰይኖም ከየብኰሩ ሐቢሮም ይጽልዩ ነበሩ። 15 በተን መዓልትታት እቲኣተን
ሚእትን ዕስራን ዚኣኽሉ ሰብ ኣብኡ ተኣኪቦም ከለዉ፡ ጴጥሮስ ኣብ ማእከል እቶም ኣሕዋት ተንሲኡ
በለ። 16 ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ብዛዕባ እቲ ነቶም ንየሱስ ዝሐዝዎ መራሕ መገዲ ዝኾኖም ይሁዳ፡ መንፈስ
ቅዱስ ብኣፍ ዳዊት ቀደም ዝበላ ጽሕፈት ክትፍጸም ይግባእ እዩ። 17 ምሳና ተቘጺሩ ነበረ እሞ፡ ነዚ
ኣገልግሎት እዚ ኸኣ ተዐዲሉ ነበረ። 18 እዚ በቲ ዓስቢ ዓመጻኡ ግራት ኣጥረየ፡ ብኣፍ ርሕሙ ተደፊኡ
ኸኣ ኣብ ክልተ ተጨደ፡ ብዘሎ ኣምዑቱ ድማ ወጸ እሞ፡ 19-20 ገዛኡ ይፆኑ፡ ኣብኡ ዚነብር ከኣ ኣይረኸብ፡
ሽመቱውን ካልእ ይውሰዳ፡ ዚብል ኣብ መጽሓፍ መዝሙር ጽሑፍ እዩ እሞ፡ እዚ፡ እታ ግራት እቲኣ
ብዘረባኦም ኣከልደማ፡ ማለት ግራት ደም፡ ክሳዕ እትብሀል፡ ኣብ የሩሳሌም ንዚነብሩ ኹላቶም
ተፈልጠ። 21-22 ስለዚ ኻብ እዞም በቲ ጐይታና የሱስ ካብ ጥምቀት ዮሃንስ ጀሚሩ ኽሳዕ እታ ኻባና
ዝዐረገላ መዓልቲ ናባና ዝኣተወሉን ዝወጻሉን ኵሉ ዘመን ዝሰዐቡና ሰባት፡ ካብ እዚኣቶም ሓደ ብዛዕባ
ትንሳኤኡ ምሳና ምስክር ኪኸውን ይግባእ እዩ። 23 ንኽልተ ኸኣ፡ ንበርሰባስ ዚብሀል ዮስጦስ ዝሰመይዎ
ዮሴፍን ንማትያስን ደው ኣበልዎም እሞ፡ 24-25 ዎ ልቢ ኹሉ እትፈልጥ ጐይታ፡ እዛ ይሁዳ ናብ ስፍራኡ
ምእንቲ ኪኸይድ፡ ዝሐደጋ ስፍራ ኣገልግሎትን ሃዋርያነትን ኪቕበልሲ፡ ካብዞም ክልተ እዚኣቶም
ዝሐረኻዮ ሓደ ኣርኢ፡ ኢሎም ጸለዩ። 26 ዕጭ ከኣ ኣውደቑሎም። እታ ዕጭ ድማ ናብ ማትያስ

በጽሔት። ምስቶም ዓሰርተው ሓደ ሃዋርያትውን ተቘጽረ።

## ምዕራፍ 2

1 ኣብ መበል ሓምሳ መዓልቲ ድማ ኲላቶም ሐቢሮም ብሓንሳእ ነበሩ። 2 ብድንገት ከኣ ከም ብርቱዕ
ህቦብላ ንፋስ ካብ ሰማይ ደሃይ መጸ፡ ነታ ኣብኣ ተቐሚጠም ዘለውዋ ቤትውን ንብዘላ መልኣ። 3
እተመቓቐለ ልሳን ሓዊ ዚመስል ድማ ተራእዮም፡ ኣብ ልዕሊ ነነፍሲ ወከፎም ከኣ ተቐመጠ። 4 ኲሎም
ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ኽም ዝሀቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ
ጀመሩ። 5 ኣብ ትሕቲ ሰማይ ካብ ዘለዉ ዅሎም ህዝቢ ሕያዎት ሰባት ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ኣይሁድ
ነበሩ። 6 እዚ ደሃይ እዚ ምስ ኰነ፡ ብዙሕ ህዝቢ ተኣከበ። በብዘረባኦም ኪዛረቡ ሰሚዖም ከኣ፡ ዚብልዎ
ጠፍኦም። 7 ኲላቶም ተገረሙን ተደነቑን፡ ከምዚ ኽኣ በሉ፡ እንሆ፡ እዞም ዚዛረቡ ዅሎም ገሊላውያንዶ
ኣይኰኑን፧ 8 ከመይ ኢልና ደኣ ዅላትና በበቲ እተወለድናሉ ቛንቋ ኺዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና፡ 9 ንሕና ሰብ
ጳርቴን ሰብ ሜዶንን ሰብ ኤላምን እቶም ኣብ መንጎ ኽልተ ርባን ኣብ ይሁዳን ኣብ ቀጶዶቅያን ኣብ
ጶንጦስን ኣብ እስያ ዚነብሩን፡ 10 ኣብ ፍርግያን ኣብ ጳምፌልያን ኣብ ግብጽን ኣብ ዓድታት ሊብያ ጥቓ
ቀሬንን ካብ ሮሜ ዝመጹ ማእከላይ ዓሌትን ኣይሁድን ጽሮሴሊታትን፡ 11 ሰብ ቅሬጥስን ሰብ ዓረብን
በብቛንቋና ብዛዕባ እቲ ዓብዩ ግብሪ ኣምላኽ ኪዛረቡ ንሰምዖም ኣሎና። 12 ኲላቶም ሰምቢዶም
ንሓድሕዶም፡ እዚ ነገር እዝስ እንታይ ኰን ይኸውን፧ እናተባሃህሉ፡ ዚብልዎ ሰኣኑ። 13 ገሊኦም ግና
እናኣላገጹሎም፡ እዚኣቶም ጉዕ ሜስ ጸጊቦም እዮም፡ በሉ። 14 ሽዑ ጴጥሮስ ምስቶም ዓሰርተው ሓደ
ተንሲኡ፡ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ተዛረቦም፡ ከምዚ ኢሉ፡ ኣቱም ሰብ ይሁዳን ኣብ የሩሳሌም እትነብሩ
ዅላትኩምን፡ እዚ ኣባኻትኩም ይፈለጥ፡ ንቓለይ ድማ ጽን በሉ። 15 ንመዓልቲ ሳልሰይቲ ሰዓት እያ
እሞ፡ ከምዚ ንኣኻትኩም ዚመስለኩም ዘሎ፡ እዚኣቶም ሰኹራት ኣይኰኑን። 16 እዚ ግና እቲ ብነብዩ
ዮኤል እተባህለ እዩ፡ 17 በተን ዳሕሮት መዓልትታት ኪኸውን እዩ፡ ይብል ኣምላኽ፡ ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ
ዅሉ ኻብ መንፈሰይ ከፍስስ እየ፡ ኣወዳትኩምን ኣዋልድኩምን ኪንበዩ፡ ኣጒባዝኩም ከኣ ራእይ
ኪርእዩ፡ ኣረገውትኹምውን ሕልሚ ኺሐልሙ እዮም። 18 በተን መዓልትታት እቲኣተን ድማ ኣብ
ሰብኡትን ኣንስትን ባሮተይ ካብ መንፈሰይ ከፍስስ እየ፡ ንሳቶም ከኣ ኪንበዩ እዮም። 19 ኣነ ድማ ኣብ
ላዕሊ ኣብ ሰማይ ተኣምራት፡ ኣብ ታሕቲ ኣብ ምድሪ ከኣ ትእምርቲ ደምን ሓውን ጣቓን ክገብር እየ። 20
እታ ዓባይን ግህድትን መዓልቲ ጐይታ ኸይመጸት፡ ጸሓይ ናብ ጸልማት ክትልወጥ እያ፡ ወርሒ ኸኣ ናብ
ደም። 21 ኪኸውን ድማ እዩ፡ ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ዅሉ ኺድሕን እዩ። 22 ኣቱም ሰብ
እስራኤል፡ እዚ ቓልዚ ስምዑ፡ ባዕላትኩም ድማ ከም እትፈልጡ፡ የሱስ ብዓል ናዝሬት፡ እቲ ኣምላኽ
ኣብ ማእከልኩም ብእኡ ብዝገበሮ ሓይልን ተኣምራትን ትእምርትን ኣምላኽ ዝመስከረሉ ሰብኣይ፡ 23 ነቲ
ኽምቲ ውዱእ ምኽሪ ኣምላኽ ከምቲ ናይ ጥንቲ ፍልጠቱን ኣሕሊፎም ዝሀብዎ ወሲድኩም ብኢድ
እቶም ሕጊ ዜብሎም ሰቐልኩምዎን ቀተልኩምዎን። 24 ሞት ሒዙ ኺጸንዖ ስለ ዘይከኣለ ኸኣ፡ ኣምላኽ
ካብ ማእሰረ ሞት ፈቲሑ ኣተንስኦ። 25 ዳዊት ብዛዕባኡ ይብል እዩ እሞ፡ ንእግዚኣብሄር ኲሉ ሳዕ ኣብ
ቅድመይ እርእዮ፡ ንሱ ብየማነይ ስለ ዘሎ ኸኣ፡ ኣየንደልህጽን እየ። 26-27 ንነፍሰይ ኣብ ሲኦል
ኣይትሐድጋን ኢኻ፡ ንቕዱስካ ድማ ጥፍኣት ኪርኢ ኣይትህቦን ኢኻ እሞ፡ ስለዚ ልበይ ተሐጒሰ ልሳነይ
ከኣ እልል በለት፡ ስጋይውን ብተስፋ ኺሐድር እዩ። 28 መገዲ ህይወት ኣፍለጥካኒ፡ ኣብ ቅድሚ ገጽካ
ኸኣ ሓጐስ ከተጽግበኒ ኢኻ። 29 ኣቱም ኣሕዋትና፡ ብዛዕባ ዳዊት ርእሲ ኣቦታት፡ ንሱ ኸም ዝሞተን ከም

እተቐብረን፡ ንኣኻትኩም ብግሁድ ኪንገር ግቡእ እዩ። መቓብሩ ኸኣ ክሳዕ ሎሚ ኣብ ማእከልና ኣሎ። 30
እምብኣርከ ንሱ ነብዩ ኼይኑ፡ ሓደ ኻብ ፍረ ኸርሱ ኣብ ዝፋኑ ኪቕመጥ፡ ኣምላኽ ብማሕላ ኽም
ዝመሐለሉ ኽንዲ ዝፈለጠ፡ 31 ቅድም ርእዩ ብዛዕባ ትንሳኤ ክርስቶስ፡ ነፍሱ ኣብ ሲኦል ከም ዘይትተርፍ፡
ስጋኡ ኸኣ ጥፍኣት ከም ዘይርኢ፡ ተዛረበ። 32 ኣምላኽ ነዚ የሱስ እዚ ኣተንሲእዎ፡ በዚ ንሕና ኹላትና
ምስክር ኢና። 33 ሕጂ ድማ ናብ የማን ኣምላኽ ልዕል ምስ በለ፡ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ከኣ ካብ ኣቦ ምስ
ተቐበለ፡ ነዚ ንስኻትኩም እትርእይዎን እትሰምዕዎን ዘሎኹም ንሱ ኣፍሰሶ። 34-35 ዳዊት ባዕሉ ደኣ፡
ጐይታ ንጐይታይ፡ ንጸላእትኻ መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮም ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡ በሎ። ይብል
እምበር፡ ንሱስ ናብ ሰማይ ኣይዐረገን። 36 እምብኣርሲ ኣምላኽ ነዚ ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ የሱስ፡
ንእኡ ጐይታን ክርስቶስን ከም ዝገበሮ፡ ብዘላ ቤት እስራኤል ብርግጽ ትፍለጥ። 37 ሽዑ፡ እዚ ምስ
ሰምዑ፡ ልቦም ተወግኤ እሞ፡ ንጴጥሮስን ነቶም ካልኦት ሃዋርያትን፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ እንታይ ንግበር፡
በልዎም። 38-39 ጴጥሮስ ከኣ፡ እቲ ተስፋ ንኣኻትኩምን ንደቅኹምን ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለዉ ኹሎም፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዚጽውዖም ዘበሉን እዩ እተዋህበ እሞ፡ ተነስሑ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ ብስም
የሱስ ክርስቶስ ንሕድገት ሓጢኣት ይጠመቕ፡ ህያብ መንፈስ ቅዱስውን ክትቅበሉ ኢኹም በሎም። 40
ካብዚ ቈናን ወለዶዚ ድሐኑ፡ እናበለ ኸኣ ብዙሕ ካልእ ቃል መስከረሎምን መዐዶምን። 41 እቶም ሽዑ
ዘረባኡ ባህ ኢልዎም እተቐበሉ ተጠምቁ። በታ መዓልቲ እቲኣ ኣስታት ሰለስተ ሽሕ ነፍሳት ናብታ
ማሕበር ተወሰኻ። 42 ብትምህርቲ ሃዋርያትን ብሕብረትን ብምቝራስ እንጌራን ብጸሎትን ጸኒዖም ነበሩ።
43 ኣብ ኲሉ ነፍሲ ፍርሃት ኰነ፡ ብዙሕ ተኣምራትን ትእምርትን ድማ ብሃዋርያት ተገብረ። 44 እቶም
ዝኣመኑ ኹላቶም ከኣ ብሓንሳእ ነበሩ፡ ዘለዎም ኲሉውን ብርኪ ነበረ። 45 መሬቶምን ጥሪቶምን ይሸጡ፡
ንኹሎም ከኣ ከከም ዘድልዮም ይመቕልዎም ነበሩ። 46 ኣብ ጸጽባሕ ብሕብረት ኣብ ቤተ መቕደስ
ከየቛረጹ ጸኒዖም ይእከቡ ነበሩ፡ ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቈረሱ፡ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ
እናኣመስገኑ ብሓንሳእ ኰይኖም ይበልዑ ነበሩ። 47 ኣብ ኲሉ ህዝቢ ኸኣ ዕድል ነበሮም። እግዚኣብሄር
ድማ ዚድሕኑ ኣብ ጸጽባሕ ናብታ ማሕበር ይውስኽ ነበረ።

## ምዕራፍ 3

1 ጴጥሮስን ዮሃንስን ብታስዐይቲ ሰዓት ብጊዜ ጸሎት ናብ ቤተ መቕደስ ብሓንሳእ ደየቡ። 2 ካብ ከርሲ
ኣዲኡ ሒዙ ኣእጋሩ ዝሞተ ሰብኣይ ካብቶም ናብ ቤተ መቕደስ ዚኣትው ምጽዋት ምእንቲ ኺልምን፡
ጾይሮም ኣብ ጸጽባሕ ኣብታ ጽብቕቲ እትበሃል ደገ ቤተ መቕደስ የቐምጥዎ ነበሩ። 3 ንሱ ኸኣ ጴጥሮስን
ዮሃንስን ናብ ቤተ መቕደስ ኪኣትዉ ኽም ዝደለዩ ምስ ረአዮም፡ ኪምጽዉቱሉ ለመኖም። 4 ጴጥሮስ ምስ
ዮሃንስ ኰይኑ ጠሚቶ እሞ፡ ናባና ጠምት፡ በሎ። 5 ንሱ ኸኣ ካባታቶም ገለ ዚረክብ መሲልዎ፡ ተኲሩ
ጠመቶም። 6 ጴጥሮስ ከኣ፡ ወርቅን ብሩርን የብለይን፡ እቲ ዘሎኒ ግና እህበካ፡ ብስም የሱስ ክርስቶስ
ናዝሬታዊ ተንስእ እሞ ኺድ፡ በሎ። 7 ብየማነይቲ ኢዱ ሒዙ ኸኣ ኣተንስኦ፡ ብኡ ብኡውን ኣእጋሩን
ዓከዓካሪቶኡን ጸንዔ። 8 ስር ኢሉ ኸኣ ደው በለ ተዛወረውን። እናተዛወረን እናተሰራሰረን ንኣምላኽ
እናኣመስገነን ከኣ ምሳታቶም ናብ ቤተ መቕደስ ኣተወ። 9 ኲሎም እቶም ህዝቢ ድማ ንሱ ኪኸይድን
ንኣምላኽ ኬመስግንን ከሎ ረአይዎ። 10 እቲ ኣብታ ጽብቕቲ ደገ ቤተ መቕደስ ተቐሚጡ ምጽዋት
ዚልምን ዝነበረ ምዃኑ ኣለልዮምዎ፡ በቲ ኣብኡ ዝኾነ ነገር ብስምባድን ብምግራምን መልኡ። 11 ኣብ
ጴጥሮስን ዮሃንስን ለጊቡ ኸሎ ኸኣ፡ ኲሉ እቲ ህዝቢ እናተገረመ ኣብቲ ገበላ ሰሎሞን ዚብሀል

ናባታቶም ጐየየ። [12] ጴጥሮስ ግና ምስ ረአዮም፡ ነቶም ህዝቢ መለሰሎም፡ ከምዚ ኢሉ፡ ኣቱም ሰብ
እስራኤል፡ ንምንታይ በዚ ትግረሙ፡ ብገዛእ ሓይልና ወይስ ብጽድቅና ነዚ ኪኸይድ ከም ዝገበርናዮስ፡
ንምንታይ ንኣና ትጥምቱ ኣሎኹም። [13] ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን፡ ኣምላኽ ኣቦታትና፡
ንወዱ የሱስ ኣኽበሮ፡ ጲላጦስ ኪፍታሕ ምስ ፈረደሉ፡ ንስኻትኩም ንእኡ ኣሕሊፍኩም ሃብኩምዎን ኣብ
ቅድሚኡ ኽሓድኩምዎን። [14] እወ፡ ንስኻትኩም ነቲ ቅዱስን ጻድቕን ክሒድኩምሲ፡ ነቲ ነፍሲ ዝቐተለ
ሰብኣይ ኪምሕረልኩም ለመንኩም። [15] ነቲ ራእሲ ህይወት ቀተልኩምዎ። ንእኡ ኣምላኽ ካብ ምውታት
ኣተንስኦ፡ ንሕና ኸኣ፡ ነዚ ምስክሩ ኢና። [16] ብስሙ ምእማን ከኣ፡ ስሙ ነዚ እትርእይዎን እትፈልጥዎን
ሰብኣይ ኣጽንዖ፡ እታ ብእኡ ምእማን ድማ ነዚ ኣብ ቅድሚ ዂላትኩም ምሉእ ጥዕና ሀበቶ። [17] ሕጂ
ድማ፡ ኣሕዋተይ፡ ከምቶም መኻንንትኹም ነዚ ብዘይ ፍልጠት ከም ዝገበርኩምዎ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። [18]
ግናኸ ክርስቶስ መከራ ኸም ዚረክብ፡ ኣምላኽ ቅድም ብኣፍ ኲላቶም ነብያት ዝነገሮ ኸምኡ ፈጸሞ። [19]
እምበኣርስኸ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኺድምሰሰልኩም፡ ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከኣ ዘመን ዕረፍቲ ምእንቲ
ኺመጸልኩም፡ [20] ነቲ ቕድም ንኣኻትኩም እተሓርየ ክርስቶስ ከኣ ምእንቲ ኺሰደልኩምሲ፡ ተነስሑን
ተመለሱን። [21] ክሳዕ እቲ፡ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ብኣፍ ቅዱሳን ነብያቱ እተዛረቦ ዘመን ምቕናዕ ኲሉ፡
ሰማይ ንየሱስ ክትቅበሎ ይግባእ እዩ። [22] ሙሴ ድማ፡ እግዚኣብሄር ኣምላኽኩም ከም ዝኸማይ ዝበለ
ነብዩ ኻብ ኣሕዋትኩም ኬተንስኣልኩም እዩ እሞ፡ ንሱ ዚብለኩም ዘበለ ዂሉ ስምዑ። [23] ኪኸውን ከኣ
እዩ፡ ነቲ ነብዩ እቲ ዘይትሰምዕ ዘበለት ነፍሲ ኻብ ህዝባ ኽትምንቈስ እያ፡ በለ። [24] ኲላቶም ነብያት
ድማ ካብ ሳሙኤል ሒዞም ክሳዕ እቶም ድሕሪኡ እተዛረቡ ዂላቶም፡ እዘን መዓልትታት እዚኣተን
እዮም ዘበሰሩ። [25] ንስኻትኩም ውሉድ ነብያትን ውሉድ እቲ፡ ኣምላኽ ንኣብርሃም፡ ኲሎም ኣህዛብ
ምድሪ ብዘርእኻ ኺባረኹ እዮም፡ ኢሉ ምስ ኣቦታትና ዝኣተዎ ኺዳንን ኢኹም። [26] ኣምላኽ ንነፍሲ
ወከፍኩም ካብ ክፋኣቱ እናመለሰ ምእንቲ ኺባርኸኩምሲ፡ ንወዱ ኣተንሲኡ ቕድሚ ዂሉ ናባኻትኩም
ለኣኾ።

## ምዕራፍ 4

[1] ንህዝቢ ኺነግሩ ኸለዉ፡ ካህናትን ሓለቓ ሓለውቲ ቤተ መቕደስን ሰዱቃውያንን መጽዎም፡ [2] ንህዝቢ
ስለ ዝመሀሩን፡ ትንሳኤ ኻብ ምውታት ብየሱስ ስለ ዝሰበኹን፡ ሐረቑም፡ [3] ኢዶም ዘርጊሖም ሐዝዎም፡
ምድሪ መስዩ ነበረ እሞ፡ ክሳዕ ንጽብሒቱ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎም። [4] ካብቶም ነቲ ቓሎም
ዝሰምዕዎ ብዙሓት ኣመኑ። ቁጽሪ እቶም ሰብኡት ከኣ ኣስታት ሓሙሽተ ሽሕ ኰነ። [5-6] ንጽብሒቱ ድማ
ኾነ፡ መኻንንቶምን ዓበይቶምን ጸሓፍቶምን ምስኦም ድማ ሃና ሊቀ ኻህናትን ቀያፋን ዮሃንስን
እስክንድሮስን ካብ ዓሌት ሊቃውንቲ ኻህናት ዘበሉ ዅሎምን ኣብ የሩሳሌም ተአከቡ። [7] ኣብ ማእከል
ደው ኣቢሎም ድማ፡ በየናይ ሓይሊ ወይስ በየናይ ስም ኢኹም ነዚ ዝገበርኩምዎ፡ ኢሎም ሐተትዎም።
[8] ሽዑ ጴጥሮስ መንፈስ ቅዱስ መሊኡ እሞ በሎም፡ ኣቱም መኻንንቲ ህዝብን ዓበይትን፡ [9] ሎሚ ንሕና
ንሓደ ሕሙም ሰብኣይ ብዝኾነ ጽቡቕ ግብሪ ንሱውን ብዝሐወየሉ ኻብ እንምርመር፡ [10] ብስም እቲ
ንስኻትኩም ዝሰቐልኩምዎ እሞ፡ ኣምላኽ ካብ ምውታት ዘተንስኦ የሱስ ክርስቶስ ናዝሬታዊ፡ ብእኡ እዚ
ኣብ ቅድሜኹም ጥዕዩ ደው ኢሉ ኸም ዘሎ፡ ኣብ ኲላትኩምን ኣብ ኲሉ ህዝቢ እስራኤልን ይፈለጥ። [11]
እቲ ንስኻትኩም ነደቕቲ ዝነዐቕኩምዎ እሞ ርእሲ መኣዝን ዝዀነ እምኒ፡ ንሱ እዩ። [12] ብእኡ ኸንድሕን
ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንሰብ ኣይተዋህበን እሞ፡ ምድሓን ብሓደ ኻልእ ከቶ የልቦን። [13]

ትብዓት ጴጥሮስን ዮሃንስን ምስ ረአዩ ዘይተማህሩ ጭዋታት ሰባት ምዃኖም ከኣ ምስ ተረድኡ፡
ገረሞም፡ ምስ የሱስ ከም ዝነበሩ ድማ ኣለለይዎም። 14 እቲ ዝሐወየ ሰብኣይ፡ ምስኦም ደው ኢሉ ምስ
ረአይዎ፡ ዚዛረብዎ ሰኣኑ። 15-16 ካብ ዋዕላ ኼግልሱ ኣዘዝዎም እሞ፡ ኣሉ ኸንብላ ዘይኸነልና፡ ኣብ
የሩሳሌም ኣብ ዚነብሩ ኹላቶም እተጋህደት ፍልጥቲ ተኣምራት ብኣታቶም ተገይራ እያ እሞ፡ ነዞም
ሰባት እዚኣቶም እንታይ ክንገብር ኢና፡ ኢሎም ተመኻኸሩ። 17 ኣብ ህዝቢ ምእንቲ እምብዛ ኸይውረ
ግና፡ ደጊም ንሓደ ሰብ እኳ ኸይነግሩ ኣምሪርና ንግንሓዮም፡ በሉ። 18 ጸዊዖም ድማ፡ ብስም የሱስ ንሓደ
እኳ ኸይነግሩ ወይስ ከይምህሩ፡ ኣዘዝዎም። 19-20 ጴጥሮስን ዮሃንስን ግና፡ ንሕናስ ነቲ ዝርኤናዮን
ዝሰማዕናዮን ምዝራቡ ኽንሓድግ ኣይኰነልናን እዩ እሞ፡ ካብ ንኣምላኽ ንኣኻትኩም ምእዛዝ ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ እንተ ኾይኑስ፡ እስኪ ባዕላትኩም ፍረዱ፡ በልዎም። 21-22 እቲ ናይ ምጥዓይ
ተኣምራት እተገብረሉ ሰብኣይ፡ ዕድሚኡ ልዕሊ ኣርብዓ ዓመት ስለ ዝነበረ፡ ኲሎም በቲ ዝኾነ
ንኣምላኽ የመስግኑ ነበሩ እሞ፡ ንሳቶምውን ብዛዕባ እቲ ህዝቢ ኸመይ ገይሮም ከም ዚቐጽዕዎም ምስ
ሰኣኑ፡ ኣፈራሪሆም ሐደግዎም። 23 ምስ ተፈትሑ ኸኣ፡ ናብ ሰቦም ከይዶም፡ ሊቃውንቲ ካህናትን
ዓበይትን ዝበልዎ ኹሉ፡ ተዛረብዎም። 24 እዚ ምስ ሰምዑ፡ ብሓንሳእ ሐቢሮም ድምጾም ናብ ኣምላኽ
ኣልዒሎም በሉ፡ ዎ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታተን ዘሎ ኹሉን ዝገበርካ ጐይታ፡ 25 ከምቲ ብመንፈስ
ቅዱስ ብኣፍ ኣቦና ዳዊት ባርያኻ፡ ስለምንታይ ኣህዛብ ሐረቑ፡ ህዝብስ ከንቱ ሐሰቡ፤ 26 ነገስታ ምድሪ
ተላዕሉ፡ እቶም መኳንንቲ ድማ ንእግዚኣብሄርን ንመሲሁን ኪጻረሩ ብሓደ ተኣከቡ፡ ዝበልካዮ፡ 27-28
እቲ ኢድካን ምኽርኻን ኪኸውን ኢሉ፡ ቅድም ዝመደቦ ምእንቲ ኺገብሩ፡ ብሓቂ ሄሮድስን ጶንጥዮስ
ጲላጦስን ምስ ኣህዛብን ምስ ዓሌታት እስራኤልን ኰይኖም፡ ነቲ ንስኻ ዝቐባእካዮ ቅዱስ ወድኻ የሱስ
ክርስቶስ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ንምጽራር ተኣከቡ። 29-30 ሕጂ ድማ፡ ጐይታይ፡ ናብ ምፍርራሆም ርኤ፡
ብስም እቲ ቅዱስ ወድኻ የሱስ፡ ምሕዋይ ሕሙማትን ትእምርትን ተኣምራትን ኪኸውን፡ ኢድካ
ዘርግሕ፡ ንባሮትካ ድማ ብኹሉ ትብዓት ቃልካ ኺዛረቡ ሀቦም። 31 ምስ ለመኑ ኸኣ፡ እታ ተኣኪቦምላ
ዘለዉ ስፍራ ተናወጸት፡ ኲላቶም ከኣ መንፈስ ቅዱስ መልኡ፡ ቃል ኣምላኽውን ብትብዓት ተዛረቡ። 32
እቶም ዝኣመኑ ኹላቶም ሓንቲ ልብን ሓንቲ ነፍስን ነበሩ፡ ብኹሉ ብርኪ ነበሩ እምበር፡ ሓደ እኳ ካብ
ገንዘቡ፡ እዚ ናተይ እዩ፡ ዚብል ኣይነበሮምን። 33 ሃዋርያት ከኣ ብብዙሕ ሓይሊ ብዛዕባ ትንሳኤ ጐይታና
የሱስ ክርስቶስ ይምስክሩ ነበሩ፡ ኣብ ኲሎም ከኣ ዓብዪ ጸጋ ነበረ። 34-35 ኲላቶም መሬት ወይስ ኣባይቲ
ዘለዎም ዘበለ ሸይጦም፡ ንዋጋ እቲ እተሸጠ የምጽእዎ ነበሩ እሞ፡ ኣብ ጥቓ እግሪ ሃዋርያት የንብርዎ፡
ንነፍሲ ወከፍ ከኣ ከከም ዜድልዮ ይመቐልዎ ነበሩ፡ ስለዚ ሓደ ሽጉር እኳ ኣይነበሮምን። 36 ዮሴፍ ከኣ፡
ብሃዋርያት በርናባስ እተባህለ፡ ወዲ ምጽንናዕ ዝትርጒሙ፡ ሌዋዊ፡ ቆጵሮስ ዝዓሌቱ፡ 37 ነቲ ዘለዎ ግራት
ሸይጡ፡ ነቲ ገንዘብ ኣምጺኡ ኣብ ጥቓ እግሪ ሃዋርያት ኣንበሮ።

## ምዕራፍ 5

1 ሃናንያ ዝስሙ ሰብኣይ ምስ ሰጲራ ሰበይቱ ምድሩ ሸጠ። 2 ካብቲ ዋጋኡ ኸኣ ምስ ሰበይቱ ተማኺሩ
መቒሉ ኣትረፈ፡ ነቲ ሓደ ምቃል ድማ ኣብ ጥቓ እግሪ ሃዋርያት ኣንበሮ። 3 ጴጥሮስ ከኣ፡ በል ሃናንያ፡
ንመንፈስ ቅዱስ ክትሕሱ ካብ ዋጋ እቲ ምድሪ ኸኣ መቒልካ ኽትሐብእሲ፡ ስለምንታይ ሰይጣን ንልብኻ
መልአ፤ 4 ከይተሸጠስ ናትካዶ ኣይነበረን፤ ምስ ሸጥካዮስ፡ ኣብ ኢድካዶ ኣይነበረን፤ ከመይ ጌርካኸ ነዚ
ነገርዚ ብልብኻ ሐሰብካዮ፤ ንኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ኣይሐሶኻን፡ በሎ። 5 ሃናንያ እዚ ቓልዚ ምስ

ሰምዔ፡ ወደቐ፡ ነፍሱ ኸኣ ወጸት። እቶም እዚ ዝሰምዑ ዘበሉ ዂሎም ከኣ ኣዝዮም ፈርሁ። 6 ኣጕባዝ
ድማ ተንሲኦም ገነዝዎ፡ ተሰኪሞም ኣውጺኦምውን ቀበርዎ። 7 ኰነ ኸኣ፡ ብድሕሪኡ ኣስታት ሰለስተ
ሰዓት ኣቢሉ ሰበይቱ፡ እቲ ዝዅነ ኸይፈለጠት፡ ኣተወት። 8 ጴጥሮስ ከኣ፡ እስኪ ንገርኒ፡ ንመሬትኩምዶ
በዚ ኽንድዚ ኢዅም ዝሸጥኩምዎ፧ ኢሉ መለሰላ። ንሳ ኸኣ፡ እወ፡ በዚ ኽንድዚ እዩ፡ በለት። 9 ጴጥሮስ
ድማ፡ ከመይከ መንፈስ እግዚኣብሄር ንምፍታን እተሰማማዕኩም፧ ኣእጋር እቶም ንሰብኣይኪ ዝቐበሩ
እንሆ፡ ኣብ ደገ ኣለዋ፡ ንኣኺ ድማ ኬውጽኡኺ እዮም፡ በላ። 10 ብኡብኡ ኣብ ጥቓ እግሩ ወደቐት እሞ
ነፍሳ ወጸት። እቶም ኣጕባዝ ምስ ኣተዉ፡ ሞይታ ጸንሓቶም፡ ተሰኪሞም ኣውጺኦም ከኣ ኣብ ጥቓ
ሰብኣያ ቐበርዋ። 11 ኣብ ብዘላ እታ ማሕበርን ኣብቶም ነዚ ነገርዚ ዝሰምዑ ዘበሉ ዂላቶምን ከኣ ብዙሕ
ፍርሃት ኰነ። 12 ብኢድ ሃዋርያት ድማ ብዙሕ ትእምርትን ተኣምራትን ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተገብረ፡
ኲላቶም ድማ ብሓንቲ ልቢ ሐቢሮም ኣብ ገበላ ሰሎሞን ነበሩ። 13 ካብቶም ካልኦት ደፊሩ እተጸምበሮም
ኣይነበረን፡ እቲ ህዝቢ ግና የኽብሮም ነበረ። 14 ዝበለጸ እኳ ብዙሓት ሰብኡትን ኣንስትን ብጐይታ
ዚኣምኑ ይውሰኽዎም ነበሩ፡ 15 ጴጥሮስ ኪሐልፍ ከሎ፡ ጽላሎቱ ኣብ ገሊኦም ምእንቲ ኺወድቕ ኢሎም፡
ንሕሙማት ኣብ ዓራትን ኣብ ቃሬዛን ገይሮም፡ ተሰኪሞም ናብ ኣደባባይ የውጽእዎም ነበሩ። 16 ኣብ
ዙርያ የሩሳሌም ካብ ዘለዋ ኸተማታት ከኣ ብዙሓት ተኣኪቦም ይጕዐዙ ነበሩ፡ ሕሙማትን ብርኹሳት
መናፍስቲ ዚሳቐዩን ድማ ኣምጽኡ ዂላቶምውን ሐወዩ። 17 ሽዑ እቲ ሊቀ ኻህናት ምስቶም ምስኡ
ዝነበሩ ዂላቶም ኰይኑ፡ ንሳቶም ከኣ ሻራ ሰዱቃውያን እዮም፡ ቕንኣት መሊእዎም ተንስኡ። 18
ኣእዳዎም ዘርጊሖም ንሃዋርያት ሐዝዎም፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ህዝቢውን ኣእተውዎም። 19-20 መልኣኽ
እግዚኣብሄር ግና ብለይቲ ማዕጾ ቤት ማእሰርቲ ኸፊቱ ንወጻኢ ኣውጺኡ፡ ኪዱ፡ ኣብ ቤተ መቕደስ ደው
ኢልኩም፡ እዚ ዅሉ ቓል ህይወት ንህዝቢ ንገሩ፡ በሎም። 21 እዚ ምስ ሰምዑ፡ ኣብ ምውጋሕ ምድሪ
ናብ ቤተ መቕደስ ኣትዮም መሀሩ። እቲ ሊቀ ኻህናት እቶም ምስኡ ዘለዉን ግና መጹ፡ እቶም ዋዕላን
ኲሎም ዓበይቲ ደቂ እስራኤልን ድማ ኪእከቡ ጸውዑ። ኬምጽእዎም ከኣ ናብ ቤት ማእሰርቲ ለኣኹ።
22-23 እቶም ገላዉ ግና ምስ መጹ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣይረኸብዎምን፡ ተመሊሶም፡ እቲ ቤት ማእሰርቲ
ተዐጽዩ ብዅሉ ድማ ገጢሙ፡ እቶም ሐለዉቲውን ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሎም ጸኒሖምና፡ ምስ ከፈትናዮ
ግና፡ ኣብ ውሽጡ ሓደ እኳ ኣይረኸብናን፡ ኢሎም ነገርዎም። 24 እቲ ሓለቓ ሓለውቲ ቤተ መቕደስን
ሊቃውንቲ ኻህናትን እዚ ነገርዚ ምስ ሰምዑ፡ እንታይ ኰን ይኸውን እዚ፧ ኢሎም፡ ብዛዕባኦም ዚብልዎ
ሰኣኑ። 25 ሓደ መጺኡ ግና፡ እቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘእቶዅምዎም ሰባትሲ፡ እነዉ፡ ኣብ ቤተ መቕደስ
ደው ኢሎም ንህዝቢ ይምህሩ ኣለዉ፡ ኢሉ ነገሮም። 26 ሽዑ እቲ ሓለቓ ሓለውቲ ቤተ መቕደስ ምስቶም
ገላዉኡ ኸይዱ ኣምጽኦም፡ እቲ ህዝቢ ብዳርባ እምኒ ኸይቀትሎም ስለ ዝፈርሁ ግና ኣየጋፍዕዎምን። 27-
28 ምስ ኣምጽእዎም፡ ኣብቲ ዋዕላ ደው ኣበልዎም። እቲ ሊቀ ኻህናት ድማ፡ በዚ ስም እዚ ኸይትምህሩዶ
ኣምሪርና ኣይከልከልናኩምን፧ እንሆ ኸኣ፡ ንየሩሳሌም ብትምህርትኹም መሊእኩምዋ ደም እቲ ሰብኣይ
እቲ ናብ ልዕሌና ኽተምጽኡ ትደልዩ ኣሎኹም፡ ኢሉ መርመሮም። 29 ጴጥሮስን ሃዋርያትን ግና፡ ካብ
ንሰብሲ ንኣምላኽ ምእዛዝ እዩ ዚግባእ። 30 ነቲ ንስኻትኩም ኣብ ዕጸይቲ ሰቒልኩም ዝቐተልኩምዎ
የሱስ፡ ኣምላኽ ኣቦታትና ኣተንስኦ። 31 ንእስራኤል ንስሓን ሕድገት ሓጢኣትን ምእንቲ ኺህብሲ ኣምላኽ
ንእኡ ራእስን መድሓንን ገይሩ ናብ የማኑ ልዕል ኣበሎ። 32 ንሕና ድማ ነዚ ነገርዚ ምስክር ኢና፡ እቲ፡
ኣምላኽ ነቶም ዚእዘዝዎ ዝሀቦም መንፈስ ቅዱስውን ምስክር ኣዩ፡ ኢሎም መለሱሎም። 33 እዚ ምስ
ሰምዑ፡ ሐረቑ ኪቐትልዎም ድማ ተማኸሩ። 34 ግናኸ ሓደ ኣብቲ ዅሉ ህዝቢ ዝኸበረ መምህር ሕጊ፡
ገማልኤል ዝስሙ ፈሪሳዊ፡ ኣብቲ ዋዕላ ተንሲኡ፡ ንሃዋርያት ሓንሳእ ኬግልስዎም ኣዘዘ፡ 35 በሎም ድማ፡

ኣቱም ሰብ እስራኤል፡ ኣብዞም ሰባት እዚኣቶም ክትገብርዎ እትሐስብዎ ዘሎኹም ተጠንቀቑሉ። [36]
ቅድሚ እዚ ወርሓት እዚ ቴዎዳስ፡ ኣነ ዓብዪ እየ፡ ኢሉ ተንስኤ፡ ኣርባዕተ ሚእቲ ዚኣኽሉ ሰባት ከኣ
ሰዐብዎ። ንሱ ጠፍኤ፡ እቶም ዝሰዐብዎ ዘበሉ ድማ ተበተኑ፡ ከም ዘይነበሩውን ኰኑ። [37] ብድሕሪኡ
ይሁዳ፡ እቲ ገሊላዊ፡ በተን ቅነ ጽሕፈት ግብሪ ተንስኤ፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ኣስደዔ። ንሱውን ጠፍኤ፡
እቶም እተኣዘዝዎ ዘበሉ ዅሎም ድማ ተዘርዉ። [38-39] ሕጂ ኸኣ፡ እዚ ምኽሪ እዝን እዚ ግብሪ እዝን ካብ
ሰብ እንተ ዀይኑ፡ ኪፈርስ እዩ። ካብ ኣምላኽ እንተ ዀይኑ ግና፡ ግብሮም ከተፍርሱ ኣይትኽእሉን
ኢኹም እሞ፡ ምስ ኣምላኽ ክትብኣሱ ኸይትርከቡስ፡ ነዞም ሰባት እዚኣቶም ሕደግዎም፡ ገለ
ኣይትበልዎም፡ እነግረኩም ኣሎኹ። [40] ሕራይ ከኣ ኣበሎም። ንሃዋርያት ጸዊዖም ገረፍዎም፡ ብስም የሱስ
ከይዛረቡ ኣዚዞም ከኣ ሐደግዎም። [41] ንሳቶም ግና ምእንቲ ስሙ ኺሐስሩ ብቑዓት ኰይኖም ስለ
እተቘጽሩ፡ ካብ ቅድሚ እቶም ዋዕላ እናተሐጐሱ ኸዱ። [42] ኣብ ቤተ መቕደስ ኣብ በቤትን ብስራት የሱስ
ክርስቶስ ምምሃርን ምስባኽን ኣየብኰሩን ነበሩ።

## ምዕራፍ 6

[1] በቲ ቕነቲ ደቀ መዛሙርቲ ምስ በዝሑ፡ እቶም ኣይሁድ ጽርኢ በቲ ምምቃል ምግቢ ዕለት፡
ንመበለታቶም ስለ ዝጐሰይወን፡ ኣብቶም እብራውያን ኣጕረምረሙ። [2] ሽው እቶም ዓሰርተው ክልተ
ንዅሎም ደቀ መዛሙርቲ ኣኪቦም፡ ንሕና ቓል ኣምላኽ ሐዲግናስ ኣብ መኣዲ ኸነገልግል ዚግባእ
ኣይኰነን። [3] ስለዚ ኣቱም ኣሕዋት፡ ካባኻትኩም ብጽቡቕ እተመስከረሎም መንፈስን ጥበብን ዝመልኦም
ሾብዓተ ሰብኣይ ሕረዩ፡ ነዚ ጕዳይ እዚ ኸኣ ነመዝዞም፡ [4] ንሕና ግና ጸሎትን ኣገልግሎት እዚ ቓል እዝን
ከየብኰርና ንሐዝ፡ በልዎም። [5] እዚ ዘረባ እዚ ንዅሉ እቲ ህዝቢ ባህ ኣበሎ። ነቲ እምነትን መንፈስ
ቅዱስን ዝመልኦ ሰብኣይ፡ እስጢፋኖስን ንፊልጶስን ንጵሮኮሮስን ንኒቃኖርን ንጢሞንን ንጰርሜናስን ነቲ
ጵሮሴሊት፡ ኒቆላዎስ ብዓል ኣንጾክያን ሐረዩ። [6] ኣብ ቅድሚ ሃዋርያት ከኣ ደው ኣበልዎም፡ እናጸለዩውን
ኣእዳዎም ኣንበሩሎም። [7] ቃል ኣምላኽ ድማ ተዘርግሔ፡ ቍጽሪ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ኣብ
የሩሳሌም ኣዝዩ እናበዝሔ ኸደ። ብዙሓት ካብ ካህናትውን ንእምነት ተኣዘዙ። [8] እስጢፋኖስ ድማ ጸጋን
ሓይልን መሊእዎ ነበረ እሞ፡ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ዓበይቲ ትእምርትን ተኣምራትን ይገብር ነበረ። [9]
ሊቤርጢኖን ካብ እትብሀል ቤት ጸሎትን ካብ ቄሬኔዎንን ካብ እስክንድርያን ካብ ቂልቅያን ካብ እስያን
ግና ንእስጢፋኖስ ተንስእዎ ይከራኸርዎ ኸኣ ነበሩ። [10] ነቲ ዚዛረበሉ ዝነበረ ጥበብን መንፈስን ግና
ኪማጐትዎ ኣይተኻእሎምን። [11] ሽው ኸኣ፡ ንሕና ኣብ ሙሴን ኣብ ኣምላኽን ቃል ጸርፊ ኺዛረብ ከሎ
ሰሚዕናዮ፡ ዚብሉ ሰባት ሐበሉ። [12] ንህዝብን ንዓበይትን ንጸሐፍትን ኣነዐቡ፡ መጺኦም ከኣ መንዚዖም
ናብ ዋዕላ ወሰድዎ እሞ፡ [13-14] እዚ ሰብኣይ እዚ፡ የሱስ፡ እቲ ብዓል ናዝሬት፡ ነዛ ስፍራ እዚኣ ኺፍርሳ፡
ነቲ ሙሴ ዝሀበና ስርዓት ከኣ ኪልውጦ እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰሚዕናዮ ኣሎና እሞ፡ ነዛ ቅድስቲ ስፍራ
እዚኣን ንሕግን ቃላት ጸርፊ ኻብ ምዝራብ ከቶ ኣይዐርፍን እዩ፡ ዚብል ምስክር ሓሶት ኣተንስኡሉ። [15]
እቶም ኣብቲ ዋዕላ ተቐሚጦም ዝነበሩ ዅላቶም ድማ ጠመትዎ እሞ ገጹ ኸም ገጽ መልኣኽ ኰይኑ
ተራእዮም።

## ምዕራፍ 7

1 እቲ ሊቀ ኻህናት ከኣ፡ እዚ ነገር ከምኡ ድዩ፧ በሎ። 2 ንሱ ግና በለ፡ ኣቱም ኣሕዋትናን ኣቦታትና፡
ስምዑ። ነቦና ኣብርሃም፡ ገና ኣብ ካራን ከይተቐመጠ ኣብ መሰጰታምያ ኸሎ፡ ኣምላኽ ክብሪ ተራእዮ
እሞ፡ 3 ካብ ምድርኻን ካብ ኣዝማድካን ውጻእ፡ ናብቲ ኣነ ዘርእየካ ምድሪ ንዓ፡ በሎ። 4 ሽዑ ኻብ ምድሪ
ከለዳውያን ወጺኡ ኣብ ካራን ተቐመጠ። ኣቦኡ ምስ ሞተ ኸኣ፡ ኣምላኽ ካብኡ ናብዚ ሕጂ ዘሎኹምዎ
ምድሪ ኣግዐዞ። 5 ኣብኡ ድማ መርገጽ እግሪ ዚኣክል እኳ ርስቲ ኣይሀቦን፡ ውሉድ ዜብሉ ኸነሱስ፡ እቲ
ምድሪ ንእኡን ብድሕሪኡውን ንዘርኡን ከም ዘረስትዮ፡ ኣተስፈዎ። 6 ኣምላኽ ድማ ከምዚ ኢሉ ተዛረበ፡
ዘርእኻ ኣብ ካልእ ምድሪ ስደተኛ ኪኸውን እዩ፡ ኪገዝእዎ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመትውን ኬጽብቡሉ
እዮም፡ 7 ነቶም ዚገዝእዎም ህዝቢ ኸኣ ኣነ ኽፈርዶም እየ፡ በለ ኣምላኽ፡ እንድሕርዚ ኻብኡ ኺወጹ እሞ
ኣብዛ ስፍራ እዚኣ ኬገልግሉኒ እዮም። 8 ኪዳን ግዝረት ከኣ ሀቦ። ከምኡ ድማ ንይስሃቅ ወለዶ እሞ ኣብ
ሳምነይቲ መዓልቲ ገዘሮ። ይስሃቅ ድማ ንያእቆብ ወለዶ፡ ያእቆብ ከኣ ንዓሰርተው ክልተ ርእሲ ኣቦታት
ወለዶም። 9 እቶም ርእሲ ኣቦታት ድማ ንዮሴፍ ቀኒኦምሉ ናብ ግብጺ ሸጥዎ፡ ኣምላኽ ግና ምስኡ ነበረ።
10 ካብ ኲሉ ጸበባኡ ኸኣ ኣርሀወሉ፡ ኣብ ቅድሚ ፈርኦን ንጉስ ግብጺ ድማ ዕድልን ጥበብን ሀቦ።
ንሱውን ኣብ ግብጽን ኣብ ኲሉ ቤቱን ኣርኣሶ። 11 ኣብ ኲሉ ግብጽን ከነኣንን ከኣ ጥሜትን ብዙሕ ጸበባን
ኰነ። ኣቦታትና ድማ ዚምገብዎ ሰኣኑ። 12 ሽዑ ያእቆብ ኣብ ግብጺ እኽሊ ኸም ዘርከበ ምስ ሰምዔ፡
ነቦታትና ቐዳማይ ጊዜ ለኣኾም። 13 ኣብ ካልኣዮም ከኣ ንዮሴፍ ኣሕዋቱ ኣለለይዎ፡ ዓሌቱውን ኣብ
ፈርኦን ተፈልጠ። 14 ዮሴፍ ከኣ ነቦኡ ያእቆብን ነቶም ሰብዓን ሓሙሽተን ነፍሲ ዚኾኑ ኹሎም
ኣዝማዱን ልኢኹ ጸውዖም። 15 ያእቆብ ድማ ናብ ግብጺ ወረደ፡ ንሱ ሞተ ኣቦታትናውን ሞቱ። 16 ናብ
ሰኬም ድማ ኣግዐዝዎም፡ ኣብቲ ኣብርሃም ካብ ደቂ ኤሞር ብወርቂ ዝዐደጎ መቓብር ኣብ ሰኬም
ቀበርዎ። 17-18 ክሳዕ ንዮሴፍ ዘይፈልጦ ኻልእ ንጉስ ኣብ ግብጺ ዚትንስእ፡ እቲ ኣምላኽ ንኣብርሃም
ዝመሓለሉ ዘመን ተስፋ እናቐረበ፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ግብጺ ዐመረን በዝሔን 19 እዚ ንጉስ እዚ ንዓሌትና
ተተናኾሎም፡ ነቦታትና ኸኣ፡ ሕጻናቶም ምእንቲ ኸይዐብዩ፡ ክሳዕ ዚድርብዩ ጨቈኖም። 20 በቲ ዘመን
እቲ ሙሴ ተወልደ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከኣ ጽቡቕ ነበረ፡ ሰለስተ ወርሒውን ኣብ ቤት ኣቦኡ ተመገበ።
21 ምስ ተደርበየ ግና፡ ጓል ፈርኦን ኣልዐለቶ፡ ወዳ ኪኸውን ከኣ ኣዕበየቶ። 22 ሙሴ ድማ ኲሉ ጥበብ
ግብጻውያን ተማሀረ፡ ብቓሉን ብግብሩን ከኣ በርትዔ። 23 ወዲ ኣርብዓ ዓመት ምስ ኰነ ድማ፡ ነሕዋቱ
ደቂ እስራኤል ኪበጽሖ ኣብ ልቡ ሓሳብ ኣተዎ። 24 ካባታቶም ሓደ ኸም እተዐመጸ ምስ ረኣየ ድማ፡ ሕነ
እቲ ዕሙጽ ዘርዩ ነቲ ግብጻዊ ቐተሎ። 25 እቶም ኣሕዋቱ ግዳ ኣየስተውዐልዎን እምበር፡ ኣምላኽ ብኢዱ
ገይሩ ምድሓን ከም ዚሀቦም፡ ዜስተውዕሉ ይመስሎ ነበረ። 26 ንጽብሒቱ ኸኣ ንሓድሕዶም ኪብኣሱ
ኸለዉ፡ መጾም። ኬተዐርቖም ደልዩ ኸኣ፡ ኣቱም ሰባት፡ ኣሕዋት ኢኹም፡ ከመይከ ንሓድሕድኩም
እትተዓማመጹ፧ በሎም። 27-28 እቲ ንብጻዩ ዚዕምጾ ዝነበረ ግና፡ ንኣኻ መን ሓለቓን ፈራድን ገይሩ፡ ኣባና
ሸይሙካ፧ ከምቲ ትማሊ ነቲ ግብጻዊ ዝቐተልካዮዶ ኽትቀትለኒ ትደሊ ኣሎኻ፧ ኢሉ ደፍኦ። 29 ሙሴ
ድማ ብዛዕባ እዚ ዘረባ እዚ ሀደመ፡ ኣብ ምድሪ ምድያን ድማ ስደተኛ ኰነ፡ ኣብኡ ኸኣ ክልተ ኣወዳት
ወለደ። 30 ኣርብዓ ዓመት ምስ መልኤ ድማ፡ ኣብ በረኻ ደብረ ሲና መልኣኽ ብዚነድድ ኣኻኹ ቈጥቋጥ
ተራእዮ። 31-32 ሙሴ እዚ ትርኢት እዚ ምስ ረኣየ፡ ተገረመ፡ ኪጥምቶ እንተ ቐረበ ድማ፡ ኣነ ኣምላኽ
ኣቦታትካ፡ ኣምላኽ ኣብርሃምን ይስሃቅን ያእቆብን እየ፡ ዚብል ድምጺ እግዚኣብሄር ተሰምዔ። ሽዑ
ሙሴ ኣንቀጥቀጠ ኺጥምት ከኣ ኣይደፈረን። 33 እግዚኣብሄር ድማ፡ እዛ ደው ኢልካያ ዘሎኻ ቦታ
ቅድስቲ ምድሪ እያ እሞ፡ ኣሳንእንካ ኣውጽእ። 34 መከራ እቶም ኣብ ግብጺ ዘለዉ ህዝበይ ኣጸቢቐ ርኤኹ
እህህታኦም ከኣ ሰማዕኩ ኽውጽኦምውን ወረድኩ፡ ሕጂ ኸኣ ናብ ግብጺ ኽልእከካ፡ ንዓ፡ በሎ። 35 ነዚ፡

ሓለቓን ፈራድን ገይሩ መን እዩ ዝሸመካ፧ ኢሎም ዝነቐፍዎ ሙሴ፡ ንእኡ ኣምላኽ፡ ብኢድ እቲ ኣብ
ኣሻኹ ቈጥቋጥ እተራእዮ መልኣኽ ገይሩ፡ ሓለቓን መድሓንን ምእንቲ ኪኸውን ለኣኾ። 36 ንሱ ኸኣ ኣብ
ግብጽን ኣብ ባሕሪ ኤርትራን ኣብ በረኻን ኣርብዓ ዓመት ትእምርትን ተኣምራትን እናገበረ ኣውጽኦም።
37 እቲ ንደቂ እስራኤል፡ ኣምላኽ ካብ ኣሕዋትኩም ከም ዝኸማይ ዝበለ ነብዪ ኼተንስኣልኩም እዩ፡
ንእኡ ስምዕዎ፡ ዝበሎም፡ እዚ ሙሴ እዚ እዩ። 38 ኣብ ማሕበር ኣብ በረኻ ምስቲ ኣብ ደብረ ሲና
እተዛረቦ መልኣኽ ምስ ኣቦታትናን ዝነበረ፡ ምእንቲ ንኣና ኺህቦ ኸኣ ነቲ ህያው ቃል እተቐበለ፡ ንሱ
እዩ። 39 ንእኡ ኣቦታትና ኣበይዎ እምበር፡ ኪእዘዝዎ ኣይደለዩን፡ ብልቦምውን ናብ ግብጺ ተመልሱ። 40
ንኣሮን ድማ፡ እቲ ኻብ ምድሪ ግብጺ ዘውጽኣና ሙሴ እንታይ ከም ዝረኸቦ ኣይንፈልጥን ኢና እሞ፡
ቀቅድሜና ዚኸዱ ኣማልኽቲ ግበረልና፡ በልዎ። 41 በቲ ቕነቲ ምራኽ ገበሩ፡ መስዋእቲ ድማ ነቲ ምስሊ
ጣኦት ሰውኡ፡ ብግብሪ ኣእዳዎም ከኣ ደስ በሎም። 42-43 ኣምላኽ ግና ካባታቶም ኣግለሰ፡ ኣብ መጽሓፍ
ነብያት፡ ኣቱም ቤት እስራኤል፡ በተን ኣርብዓ ዓመት ኣብ በረኻኸ ሕሩድን ካልእ መስዋእትንሲ
ኣቕሪብኩምለይ ዲኹም፧ ምንም፡ ምእንቲ ኽትሰግዱሎም ኢልኩም ዝገበርኩምዎም ምስልታት፡ ድንኳን
ሞሎኽን ኰዀብ ኣምላኽኩም ሬፋንን ኢኹም ዝጾርኩም። ስለዚ ኣነ ኽንየው ባቢሎን ከግዕዘኩም እየ፡
ዚብል ጽሑፍ ከም ዘሎ፡ ንሰራዊት ሰማይ ኬምልኹ ፈንዩ ሓደጎም። 44 እቲ ንሙሴ ዝነገሮ፡ ከምታ
ዝረኣያ ምስሊ ገይሩ ኺሰርሓ ዝኣዘዞ ድንኳን ምስክር ኣብ በረኻ ምስ ኣቦታትና ነበረት። 45 ኣቦታትና
ድማ ተቐቢሎምዋ፡ ብእያሱ ተመሪሖም ኪወርሱ ኸለዉ፡ ናብታ ኣምላኽ ክሳዕ ዘመን ዳዊት ካብ ገጽ
ኣቦታትና ዝሰጐጎም ኣህዛብ ዝነበርዋ ሃገር ኣእተውዋ። 46 ዳዊት ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዕድል ረኸበ፡
ንኣምላኽ ያእቆብ ዚኸውን ማሕደር ኪረክብ ከኣ ለመነ። 47 ቤት ዝሀነጸሉ ግና ሰሎሞን እዩ። 48-50 ነብዪ
ኸም ዚብል፡ ሰማይ ዝፋነይ፡ ምድሪ ኸኣ መርገጽ እግረይ እዩ። ከመይ ዝበለት ቤት እያ እትሀንጹለይ፧
ወይስ ኣየነይቲ ስፍራ እያ ዝዐርፈላ፧ እዚ ዅሉስ ኢደይዶ ኣይገበረቶን፧ ይብል እግዚኣብሄር፡ እቲ ልዑል
ብኢድ ሰብ ኣብ እተሀንጸት ቤት ኣይነብርን እዩ። 51 ኣቱም ልብኹምን ኣእዛንኩምን ዘይተገዝረ ተረርቲ
ኽሳድ፡ ንስኻትኩም ኩሉ ጊዜ ንመንፈስ ቅዱስ ትጻረርዎ ኣሎኹም። ከምቲ ኣቦታትኩም ዝገበርዎ፡
ንስኻትኩም ድማ ከምኡ ትገብሩ ኣሎኹም። 52 ካብ ነብያትከ ኣቦታትኩም ዘይሰጐጕዎ መን እዩ፧ ነቶም
ብዛዕባ ምምጻእ እቲ ጻድቕ ኣቐዲሞም ዘበሰሩ ድማ ቐተልዎም። ሕጂ ውን ንስኻትኩም ኣሕሊፍኩም
ወሃብቱን ቀተልቱን ኰንኩም። 53 ንስኻትኩም ነቲ ሕጊ ብኢድ መላእኽቲ ተቐቢልኩምዎስ
ኣይሐሎኹምዎን። 54 እዚ ምስ ሰምዑ፡ ልቦም ነደደ፡ ኣስናኖም ከኣ ሐርቀሙሉ። 55 ንሱ ግና መንፈስ
ቅዱስ መልኣ፡ ናብ ሰማይ ኣንቃዕሪሩ ኸኣ ክብሪ ኣምላኽን የሱስ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉን
ረኣየ እሞ፡ 56 እንሆ፡ ሰማይ ተኸፊቱ፡ ወዲ ሰብ ድማ ኣብ የማን ኣምላኽ ደው ኢሉ እርኢ ኣሎኹ፡ በለ።
57 ሽዑ ዓው ኢሎም ጨደሩ ኣእዛኖም ደፈኑም ድማ፡ ሐቢሮም ብሓንሳእ ወረርዎ። 58 ናብ ወጻኢ እታ
ኸተማ ወሲዶም ከኣ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ። እቶም ምስክር ድማ ክዳውንቶም ኣብ ጥቓ ኣእጋር ሳውል
ዚብሀል ጕበዝ ኣንበሩ። 59 ንእስጢፋኖስ ከኣ እናተማህለለን፡ ጐይታይ የሱስ፡ መንፈሰይ ተቐበል፡
እናበለን፡ ብዳርባ እምኒ ቐተልዎ። 60 ተምበርኪኹ ኸኣ ብዓብዪ ድምጺ፡ ጐይታይ፡ እዚ ሓጢኣት እዚ
ኣይትሐዘሎም፡ ኢሉ ጨደረ። እዚ ምስ በለውን ዐረፈ።

## ምዕራፍ 8

1 ሳውል ድማ ንምቕታሉ ሰሚሩ ነበረ። በታ መዓልቲ እቲኣ ነታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ብርቱዕ

ምስጓጉ ኰነ። ብዘይ ሃዋርያት ከኣ ኲሎም ናብ ሃገር ይሁዳን ሰማርያን ተበተኑ። [2] እግዚኣብሄር ዚፈርሁ
ሰባት ድማ ንእስጢፋኖስ ቀበርዎ፡ ብርቱዕ ብኽያትውን በኸዩሉ። [3] ሳውል ግና ነታ ማሕበር የጥፍኣ፡
ናብ ኣባይቲ እናኣተወ ሰብኡትን ኣንስትን ሰሲሒቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ የእትዎም ነበረ። [4] እቶም
እተበተኑ ግና ቃል ወንጌል እናነገሩ ዞሩ። [5] ፊልጶስ ከኣ ናብ ሓንቲ ኸተማ ሰማርያ ወሪዱ ክርስቶስ
ሰበኸሎም። [6-7] ካብቶም ርኹሳት መናፍስቲ ዝሐደርዎም ብዙሓት ሰብ ድማ እቶም መናፍስቲ ብዓብዪ
ድምጺ እናጨደሩ ወጹ። ብዙሓት ድኑሳትን ሓንካሳትን ከኣ ሐወዩ እሞ፡ እቶም ህዝቢ ነቲ ፊልጶስ
ዝገበሮ ትእምርቲ ምስ ሰምዑን ምስ ረኣዩን፡ ሐቢሮም ናብቲ ንሱ ዚዛረቦ ዘሎ ኣቕለቡ። [8] ኣብታ ኸተማ
እቲኣ ድማ ዓብዪ ሓጐስ ኰነ። [9] ስምኦን ዚብሀል ጠንቋሊ ሰብኣይ ግና ካብ ቀደም ሒዙ ኣብታ ኸተማ
ነበረ፡ ንሱ ኸኣ ዓብዪ እየ ብምባሉ ንህዝቢ ሰማርያ የስተንክሮም ነበረ። [10] ካብ ንእሽቶኦም ክሳዕ
ዓብዪኦም ኲላቶም፡ እቲ ዓብዪ ዚብሀል ሓይሊ ኣምላኽ እዚ እዩ፡ እናበሉ ጽን ይብልዎ ነበሩ። [11]
ሓያሎ ዘመን ብጥንቈላኡ ስለ ዘስተንከሮም ድማ፡ ጽን ይብልዎ ነበሩ። [12] ፊልጶስ ግና ብዛዕባ መንግስቲ
ኣምላኽን ብዛዕባ ስም የሱስ ክርስቶስን ኣበሲርዎም፡ ምስ ኣመንዎ፡ ሰብኡትን ኣንስትን ተጠምቁ። [13]
ስምኦን ባዕሉ እኳ ድማ ኣመነ፡ ምስ ተጠምቀ ኸኣ፡ ናብ ፊልጶስ ለገበ። ትእምርትን ዓበይቲ ሓይላትን
ኪግበር ምስ ረኣየውን፡ ተገረመ። [14] እቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለዉ ሃዋርያት ከኣ ሰማርያ ቓል ኣምላኽ ከም
እተቐበለት ሰምዑ፡ ንጴጥሮስን ንዮሃንስን ሰደዱሎም። [15-16] ብስም ጐይታና የሱስ ጥራይ ደኣ
ተጠሚቖም ነበሩ እምበር፡ መንፈስ ቅዱስ ገና ኣብ ሓደ ኻባታቶም እኳ ኣይወረደን ነበረ እሞ፡ ጴጥሮስን
ዮሃንስን ወሪዶም፡ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበሉ፡ ጸለዩሎም። [17] ሽዑ ኣእዳዎም ኣንበሩሎም እሞ
መንፈስ ቅዱስ ተቐበሉ። [18-19] ስምኦን ከኣ መንፈስ ቅዱስ በቲ ምንባር ኣእዳው ሃዋርያት ከም እተዋህበ
ምስ ረኣየ፡ እቲ ኢደይ ዘንብረሉ፡ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኪቕበልሲ፡ ንኣይ ከኣ እዚ ስልጣን እዚ ሀቡኒ፡
ኢሉ ገንዘብ ኣምጽኣሎም። [20] ጴጥሮስ ግና፡ ነቲ ህያብ ኣምላኽ ብገንዘብ ክትገዝኦ ስለ ዝሐሰብካ፡
ወርቅኻ ምሳኻ ይጥፋእ፡ [21] ልብኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅኑዕ ስለ ዘይኰነ ኸኣ፡ ኣብዚ ነገር እዚ ኽፍሊ
ወይ ግደ የብልካን። [22] እምብኣርሲ ኻብዚ ኽፍኣትካ እዚ ተነሳሕ፡ ምናልባሽ ሓሳብ ልብኻ እንተ
ሐደገልካ፡ ንእግዚኣብሄር ለምኖ። [23] ኣብ መሪር መርዝን ኣብ ማእሰርቲ ግፍዕን ምህላውካ እርእየካ
ኣሎኹ፡ በሎ። [24] ስምኦን ከኣ፡ ካብዚ ዝበልኩምዎ ሓደ እኳ ኸይበጽሓንስ፡ ንእግዚኣብሄር ለምኑለይ፡
ኢሉ መለሰ። [25] ንሳቶም ከኣ ቃል ጐይታ ምስ መስከሩን ምስ መሀሩን፡ ኣብ ብዙሓት ዓድታት ሰማርያ
ወንጌል እናሰበኹ ናብ የሩሳሌም ተመልሱ። [26] መልኣኽ እግዚኣብሄር ግና ንፊልጶስ፡ ተንስእ እሞ በታ
ኻብ የሩሳሌም ንጋዛ እተውርድ መገዲ ናብ ደቡብ ኣቢልካ ኺድ፡ ንሳ ኸኣ ባዲማ እያ፡ ኢሉ ተዛረቦ። [27]
ተንሲኡ ኸኣ ከደ። እንሆ ድማ፡ ኢትዮጵያዊ ስሉብ ሰብኣይ ኣብ ህንደኬ ንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ስልጡን
ኣዛዚ ኲሉ ገንዘብ ዝነበረ፡ ኪሰግድ ናብ የሩሳሌም መጺኡ ነበረ። [28] ኪምለስ ከሎ ኸኣ፡ ኣብ ሰረገላኡ
ተቐሚጡ ትንቢት ኢሳይያስ የንብብ ነበረ። [29] መንፈስ ከኣ ንፊልጶስ፡ ሕለፍ፡ ናብቲ ሰረገላ ቕረብ፡ በሎ።
[30] ፊልጶስ ናብኡ ጐየየ፡ ነብዪ ኢሳይያስ ኬንብብ ሰምዖ እሞ፡ እዚ እተንብቦስ ተስተውዕሎዶ ኣሎኻ፧
በሎ። [31] ንሱ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ኸይመሀረኒ፡ ከመይ ኢሉ ይኾነለይ፧ በለ። ንፊልጶስ ከኣ ደዪቡ ምስኡ
ኪቕመጥ ለመኖ። [32] እቲ ዜንብቦ ዝነበረ ኽፍሊ ጽሑፍ ከኣ እዚ እዩ፡ ከም በጊዕ ናብ ማሕረዲ ተሳሕበ፡
ኣብ ኢድ ቈራጺኡ ስቕ ከም ዚብል ገንሸል ከኣ፡ ከምኡ ኣፉ ኣይከፈተን። [33] ብምውራዱ ፍርዱ ተሳዕረ፡
ህይወቱ ኻብ ምድሪ ተመንቊሳ እያ እሞ፡ ንወለዶኡ መን ኬዘንትዎ ይኽእል፧ [34] እቲ ስሉብ ከኣ
ንፊልጶስ፡ እቲ ነብዪ ብዛዕባ መን እዩ እዚ ዝብል ዘሎ፧ ብዛዕባ ርእሱዶ ወይስ ብዛዕባ ኻልእ እዩ ዚብል
ዘሎ፧ እስኪ ንገረኒ፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። [35] ፊልጶስ ከኣ ኣፉ ኸፈተ፡ ካብዛ ጽሕፈት እዚኣ

ጀሚሩ ድማ ብዛዕባ የሱስ ወንጌል ሰበኸሉ። [36] መገዲ ኪኸዱ ኸለዉ ድማ፡ ናብ ማይ በጽሑ። እቲ
ስሉብ ከኣ፡ እንሆ ማይ፡ ከይጥመቕከ እንታይ ይኽልክለኒ፧ በለ። [37] ፊልጶስ ከኣ፡ ብኹሉ ልብኻ እንተ
ኣሚንካስ፡ ይኹነልካ እዩ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ የሱስ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እኣምን ኣሎኹ፡ ኢሉ
መለሰሉ። [38] ነታ ሰረገላ ደው ኬብልዋ ኸኣ ኣዘዘ፡ ፊልጶስን እቲ ስሉብን ክልቲኣቶም ናብቲ ማይ ወረዱ፡
ኣጥመቖውን። [39] ካብ ማይ ምስ ወጹ ኸኣ፡ መንፈስ እግዚኣብሄር ንፊልጶስ መንዝዖ። እቲ ስሉብ ድማ
ባህ ኢልዎ መገዱ ኸደ እምበር፡ መሊሱ ኣይረኣዮን። [40] ፊልጶስ ድማ ኣብ ኣዛጦን ተረኸበ፡ ናብ ቂሳርያ
ኽሳዕ ዚመጽእ ከኣ፡ ናብ ኲሉ ኸተማታት እናዞረ ወንጌል ይሰብኽ ነበረ።

# ምዕራፍ 9

[1-2] ግናኸ ሳውል ገና ብምፍርራህን ብምቕታልን ኣብ ደቀ መዛሙርቲ ጐይታ ነዲሩ ነበረ እሞ ዝኾነ
ይኹን በዛ መገዲ እዚኣ ዘለዉ ሰብኡት ወይስ ኣንስቲ እንተ ረኸበ፡ ኣኣሲሩ ንየሩሳሌም ምእንቲ
ኼምጽኦም፡ ናብ ሊቀ ኻህናት ከይዱ ናብተን ኣብ ደማስቆ ዘለዋ ኣባይቲ ጸሎት እትበጽሕ ደብዳበ
ኻብኡ ለመነ። [3] ኪኸይድ ከሎ ኸኣ፡ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረበ፡ ብድንገት ጸዳል ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ
ዙርያኡ ኣንጸባረቐ። [4] ናብ ምድሪውን ወደቐ፡ ሳውል፡ ሳውል፡ ንምንታይ እትሰጐኒ፧ ዚብል ድምጺ ኸኣ
ሰምዔ። [5] ንሱ ድማ፡ ጐይታይ፡ መን ኢኻ፧ በለ። ጐይታ ኸኣ፡ ኣነ እቲ ንስኻ እትሰጎ ዘሎኻ የሱስ እየ።
ኣብ ኣንፈ ብልሒ እንተ ኣድሐርሐርካ፡ ንርእስኻ እዩ ዚገደካ፡ በሎ። [6] ንሱ ኸኣ እናኣንበድበደን
እናፈርሄን፡ ጐይታይ፡ እንታይ ክገብር ትደሊ ኣሎኻ፧ በሎ። ጐይታ ድማ፡ ተንስእ እሞ ናብ ከተማ እቶ፡
እንታይ ክትገብር ከም ዚግብኣካውን፡ ኣብኡ ኺነግሩኻ እዮም፡ በሎ። [7] እቶም ምስኡ ዝነበሩ ሰብ፡
ድምጺ እናሰምዑ ገለ እኳ ኽይረኣዩ፡ ደንጽዮም ደው በሉ። [8] ሳውል ካብ ምድሪ ተንሲኡ ኣዒንቱ ቛሕ
እንተ ኣበለ፡ ገለ እኳ ኣይረኣየን። ብኢዱ መሪሖም ናብ ደማስቆ ኣእተውዎ። [9] ከይረኣየን ከይበልዔን
ከይሰተየን ድማ ሰለስተ መዓልቲ ገበረ። [10] ኣብ ደማስቆ ኸኣ ሃናንያ ዚብሀል ወደ መዝሙር ነበረ። ንእኡ
ጐይታ ብራእይ፡ ሃናንያ፡ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ እኔኹ፡ ጐይታይ፡ በለ። [11] ጐይታ ድማ፡ ተንስእ እሞ ናብቲ
ቕኑዕ ዚብሀል መተሓላለፊ ኺድ፡ ሳውል ዚብሀል ሰብኣይ ብዓል ጠርሴስ፡ እንሆ፡ ይጽሊ ኣሎ እሞ፡ ኣብ
ቤት ይሁዳ ድለዮ፡ [12] ንሱውን ሃናንያ ዚብሀል ሰብኣይ ኣትዩ፡ ምእንቲ ኺርኢ ኢዱ ኼንብረሉ ብራእይ
ርእዩ ኣሎ፡ በሎ። [13] ሃናንያ ግና፡ ጐይታይ፡ ብዛዕባ እዚ ሰብኣይዚ ኣብ የሩሳሌም ንቕዱሳንካ ኽንደይ
ክፉእ ከም ዝገበሮም፡ ካብ ብዙሓት ሰሚዔ ኣሎኹ። [14] ኣብዚ ድማ ስምካ ንዚጽውዑ ኹላቶም ኪኣስር፡
ካብ ሊቃውንቲ ኻህናት ስልጣን ኣለዎ፡ ኢሉ መለሰ። [15-16] ጐይታ ግና፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ቅድሚ
ኣህዛብን ኣብ ቅድሚ ነገስታትን ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤልን ስመይ ኪጸውር፡ ንኣይ ሕሩይ ኣቕሓ እዩ
እሞ፡ ምእንቲ ስመይ ክንደይ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኺጸግብ ከም ዚግብኦ ኽርእዮ እየ፡ ስለዚ ኺድ ደኣ፡
በሎ። [17] ሽዑ ሃናንያ ኸደ እሞ ናብ ቤት ኣተወ፡ ኢዱ ኣብኡ ኣንቢሩ ኸኣ፡ ኣታ ሳውል ሓወይ፡ እቲ
ኽትመጽእ ከሎኻ ኣብ መገዲ እተራእየካ ጐይታና የሱስ፡ ክትርእን መንፈስ ቅዱስ ኪመልኣካን፡ ናባኻ
ልኢኹኒ፡ በሎ። [18] ብኡብኡ ኸኣ ካብ ኣዒንቱ ኸም ቅራፍ ዝበለ ወደቐ እሞ ረኣየ፡ ተንሲኡውን
ተጠምቀ። [19] ምግቢ ምስ ተመገበ ድማ፡ በርትዔ። ሳውል ከኣ ምስቶም ኣብ ደማስቆ ዘለዉ ደቀ
መዛሙርቲ ሓያሎ መዓልቲ ተቐመጠ። [20] ብኡብኡ ድማ ኣብ ኣባይቲ ጸሎቶም ብዛዕባ የሱስ፡ ንሱ ወዲ
ኣምላኽ ምዃኑ ሰበኸ። [21] ዝሰምዕዎ ዘበሉ ኹላቶም ከኣ ተገረሙ እሞ፡ እቲ ኣብ የሩሳሌም ነቶም ነዚ
ስምዚ ዚጽውዑ ዘበሉ ዜጥፍእ ዝነበረስ፡ እዚዶ ኣይኮነን፧ ኣእሲሩ ናብ ሊቃውንቲ ኻህናት ምእንቲ

ኺወስዶም ድማ፡ ናብዚ ዝመጸን፤ በሉ። 22 ሳውል ግና እናበርትዔ ኸደ፡ ነቶም ኣብ ደማስቆ ዚነብሩ ኣይሁድ ከኣ የሱስ እቲ ክርስቶስ ምዃኑ ብምግሃድ ኣፎም የትሕዞም ነበረ። 23 ብዙሕ መዓልቲ ምስ ሐለፈ ድማ፡ ኣይሁድ ኪቕትልዎ ሐቢሮም ተማኸሩ። 24 ሳውል ግና ምኽሮም ፈለጠ። ምእንቲ ኪቕትልዎ ኸኣ ለይትን መዓልትን ነቲ በሪታት ይሕልውዎ ነበሩ። 25 እቶም ደቀ መዛሙርቲ ግና፡ ብለይቲ ወሲዶም ኣብ ከፈር ገይሮም፡ ብቕጽሪ ኣውረድዎ። 26 ናብ የሩሳሌም ምስ መጸ ኸኣ፡ ናብቶም ደቀ መዛሙርቲ ኺሕወስ ፈተነ፡ ንሳቶም ግና፡ ወደ መዝሙር ምዃኑ ስለ ዘይኣመንዎ፡ ኩላቶም ፈርሁ። 27 በርናባስ ግና ተቐቢሉ ናብ ሃዋርያት ኣምጽኦ፡ ጐይታ ኣብ መገዲ ኸመይ ከም እተራእዮን ከም እተዛረቦን፡ ኣብ ደማስቆ ድማ ብስም የሱስ ከመይ ገይሩ ብትብዓት ከም ዝመሀረን ነገሮም። 28 ኣብ የሩሳሌም ከኣ ተቢዑ ብስም ጐይታ እናተዛረበ፡ ምሳታቶም ይኣቱን ይወጽእን ነበረ። 29 ምስቶም ካብ ጽርኣውያን ዝነበሩ ኣይሁድ ከኣ ይዛረብን ይካራኸርን ነበረ፡ ንሳቶም ግና ኪቕትልዎ ደለዩ። 30 እቶም ኣሕዋት ምስ ፈለጡ ድማ፡ ናብ ቂሳርያ ኣውረድዎ ናብ ጠርሴስውን ሰደድዎ። 31 ከምኡ ኸኣ ነታ ኣብ ኩላ ይሁዳን ገሊላን ሰማርያን ዝነበረት ማሕበር ብዘላ ሰላም ኰነላ፡ እናተሀንጸትን ብፍርሃት እግዚኣብሄር እናተመላለሰትን ብምርዳእ መንፈስ ቅዱስ እናዐበየትን ከደት። 32 ኰነ ኸኣ፡ ጴጥሮስ ናብ ኩሉ ኺዘውር ከሎ፡ ናብቶም ኣብ ልዳ ዚነብሩ ቅዱሳን ወረደ። 33 ኣብኡ ኸኣ ኤንያ ዝስሙ፡ ሾሞንተ ዓመት ኣብ ዓራት ዝደቀሰ መጻጉዕ ሰብኣይ ረኸበ። 34 ጴጥሮስ ድማ፡ ኤንያ፡ የሱስ ክርስቶስ የሕውየካ ኣሎ። ተንስእ፡ ባዕልኻ ኣንጽፍ፡ በሎ። ብኡብኡ ኸኣ ተንስኤ። 35 ኣብ ልዳን ኣብ ሳሮንን ዚነብሩ ኹላቶም ከኣ ነዚ ርእዮም ናብ ጐይታ ተመልሱ። 36 ኣብ ዮጴ ድማ ጣቢታ እትብሀል ተምሃሪት ነበረት፡ ትርጉሙ ድማ ዶርቃስ እዩ። ንሳ ኸኣ ጽቡቕ ግብሪ ዝመልኣ ምጽዋትውን እትምጽውት እያ። 37 ኰነ ኸኣ፡ በቲ ቕነቲ ሐሚማ ሞተት። ሐጺቦም ድማ ኣብ ደርቢ ኣንበርዋ። 38 ልዳ ንዮጴ ቕርብቲ ስለ ዝነበረት፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ጴጥሮስ ኣብኣ ኸም ዘሎ ሰሚዖም፡ ክልተ ሰብኣይ ናብኡ ልኢኾም፡ ከይደንጐየ ናባታቶም ኪመጽእ ለመንዎ። 39 ሽዑ ጴጥሮስ ተንሲኡ ምሳታቶም ከደ። ናብኡ ምስ መጸ ድማ፡ ናብ ደርቢ ኣደየብዎ። ኩላተን እተን መበለታት ከኣ እናበኸያ፡ እቲ ጣቢታ ምሳታተን ከላ ዝገበረቶ ቐመውሽን ክዳውንትን እናኣርኣያኦ ከቢበናኦ ደው በላ። 40 ጴጥሮስ ግና ንዅላተን ናብ ወጻኢ ኣውጺኡ፡ ተምበርኪኹ ጸለየ፡ ናብቲ ሬሳኣ ግልጽ ኢሉ ኸኣ፡ ጣቢታ፡ ተንስኢ፡ በላ። ኣዒንታ ቛሕ ኣበለት፡ ንጴጥሮስ ምስ ረአየቶውን፡ ኮፍ በለት። 41 ኢዱ ዘርጊሑ ኣተንስኣ፡ ነቶም ቅዱሳንን ነተን መበለታትን ጸዊዑ ድማ፡ ህያው ኰይና ኣብ ቅድሚኦም ደው ኣበላ። 42 እዚ ኣብ ኩላ ዮጴ ተፈልጠ፡ ብዙሓት ከኣ ብጐይታ ኣመኑ። 43 ንሱ ድማ ሓያሎ መዓልቲ ምስ ስምኦን፡ ፈሓቚ ቈራብቲ ኣብ ዮጴ ተቐመጠ።

# ምዕራፍ 10

1 ኣብ ቂሳርያ ቆርኔሌዎስ ዝስሙ ሰብኣይ ነበረ። ንሱ ኣብቲ ኢጣልያናዊ ዚብሀል ጭፍራ ሓለቓ ሚእቲ እዩ። 2 ጻድቕ፡ ምስ ኩሉ ስድራ ቤቱ ድማ ንኣምላኽ ዚፈርህ ንህዝቢውን ብዙሕ ምጽዋት ዚምጽውት፡ ኩሉ ሳዕ ከኣ ንኣምላኽ ዚልምን እዩ። 3 ብታስዐይቲ ሰዓት ናይ መዓልቲ ኣቢሉ ድማ ብግሁድ ትርኢት መልኣኽ ኣምላኽ ናብኡ ኣትዩ፡ ዎ ቆርኔሌዎስ፡ ኪብሎ ኸሎ ረኣየ። 4 ንሱ ኸኣ ጠሚትዎ ሰምቢዱ፡ እንታይ እዩ፡ ጐይታይ፤ በለ። ንሱ ድማ፡ ጸሎትካን ምጽዋትካን ናብ ቅድሚ ኣምላኽ ንመዘከርታ ደዪቡ እዩ፡ 5 ሕጂ ኸኣ ሰባት ናብ ዮጴ ልኢኽካ ነቲ ጴጥሮስ ዚብሀል ስምኦን ኣምጽኣዮ። 6 ንሱ ምስቲ፡ ቤቱ

ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘላ ስምኦን፡ ፈሓቒ ቈራብቲ፡ ጋሻ ኾይኑ ሰፊሩ ኣሎ፡ በሎ። [7] እቲ ዘዛርቦ ዝነበረ መልኣኽ ምስ ከደ ኸኣ፡ ካብቶም ገላዉኡ ኽልተ፡ ካብቶም ዘይፍለይዎ ኸኣ ሓደ ሕያዋይ ሓሽከር ጸውዔ እሞ፡ [8] ነቲ ዝኾነ ኹሉ ኣዘንትዩ ናብ ዮጴ ለኣኾም። [9] ንጽብሒቱ ንሳቶም መገዲ ኪኸዱ ኸለዉ፡ ናብታ ኸተማ ምስ ቀረቡ፡ ጴጥሮስ ብሳድሰይቲ ሰዓት ኣቢሉ ኺጽሊ ናብ ናሕሲ ደየበ። [10] ሽዑ ጠምዩ ኺበልዕ ደለየ፡ ኬዳልዉሉ ኸለዉ ኸኣ፡ ተመሰጠ። [11] ሰማይ ተኸፊቱ ኣቕሓ ኸኣ ከም ዓብዪ ኽዳን በርባዕተ መኣዝኑ ተትሒዙ ኺወርድ፡ ኣብ ምድሪውን ኪበጽሕ ከሎ ረኣየ። [12] ኣብኡ ኸኣ ኣርባዕተ መሓውር ዘለዎም ኲሎምን ኣብ ምድሪ ለመም ዚብሉን ኣዕዋፍ ሰማይን ነበሩ እሞ፡ [13] ጴጥሮስ፡ ተንስእ፡ ሐሪድካ ብላዕ፡ ዚብል ድምጺ መጾ። [14] ጴጥሮስ ግና፡ ጐይታይ፡ ርኹስን ዜፈንፍን ዘበለን እኳ በሊዔ ኣይፈልጥን እየ እሞ ኣይከውንን እዩ፡ በለ። [15] ከም ብሓድሽ ድማ ካልኣይ ጊዜ፡ ነቲ ኣምላኽ ዘንጽሆ፡ ንስኻ ኣይተርክሶ፡ ዚብል ድምጺ መጾ። [16] እዚ ሰለስተ ሳዕ ኰነ፡ ብኡብኡ ኸኣ እቲ ኣቕሓ ናብ ሰማይ ተወስደ። [17] ጴጥሮስ እቲ ዝረኣዮ ራእይ፡ እንታይ ኰን ይኸውን፧ ኢሉ ብልቡ ኺግረም ከሎ፡ እንሆ፡ እቶም ካብ ቆርኔሌዎስ እተላእኩ ሰባት፡ ቤት ስምኦን እናሐተቱ ኣብቲ ኣፍ ደገ ደው በሉ፡ [18] ጸዊዖም ከኣ፡ እቲ ጴጥሮስ ዚብሀል ስምኦን ኣብኡ ጋሻ ኾይኑ ሰፊሩ እንተሎ፡ ሐተቱ። [19-20] ጴጥሮስ በቲ ራእይ ኬስተንትን ከሎ፡ መንፈስ፡ እንሆ፡ ሰለስተ ሰብኣይ ይደልዩኻ ኣለዉ፡ ስለዚ፡ ኣነ ልኢኸዮም እየ እሞ ተንሲእካ ውረድ፡ ከይተስከፍካውን ምሳታቶም ኪድ፡ በሎ። [21] ሽዑ ጴጥሮስ ናብቶም ሰባት ወሪዱ፡ እንሆ፡ እቲ እትደልይዎ ዘሎኹም ኣነ እየ፡ ብዛዕባ እንታይ ኢኹም ኣብዚ ደው ኢልኩም ዘሎኹም፧ በሎም። [22] ንሳቶም ከኣ፡ ንቆርኔሌዎስ፡ ነቲ ሓለቓ ሚእቲ፡ ብኹሉ ህዝቢ ኣይሁድ እተመስከረሉ፡ ንኣምላኽ ዚፈርህ ጻድቕ ሰብኣይ፡ ናብ ቤቱ ኺጽውዓካ ኻባኻውን ቃል ኪሰምዕ፡ ብቕዱስ መልኣኽ ተገሊጹሉ ኣሎ፡ በሉ። [23] ሽዑ ኣእትዩ ኣሕደሮም። ንጽብሒቱ ተንሲኡ ምሳታቶም ከደ፡ ካብ ዮጴ ኸኣ ሓያሎ ኣሕዋት ሰዐብዎ። [24] ንጽብሒቱ ድማ ኣብ ቂሳርያ ኣተዉ። ቆርኔሌዎስ ከኣ ኣዝማዱን ዚቐርብዎ ፈተውቱን ኣኪቡ ይጽበዮም ነበረ። [25] ኰነ ድማ፡ ጴጥሮስ ኪኣቱ ኸሎ፡ ቆርኔሌዎስ ተቐበሎ። ኣብ ኣእጋሩ ተደፊኡውን ሰገደሉ። [26] ጴጥሮስ ግና፡ ኣነ ድማ ከማኻ ሰብ እየ፡ ተንስእ፡ ኢሉ ኣተንስኦ። [27] ምስኡ እናተዛራረበ ኣተወ፡ ኣብኡ ድማ ብዙሓት ሰብ ተኣኪቦም ረኸበ እሞ፡ [28] ንኣይሁዳዊ ሰብኣይ ምስ ናይ ካልእ ህዝቢ ሰብ ኪሕወስ ወይስ ናይ ቤቱ ኺኣቱ ኸም ዘይግብኦ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። ንኣይ ግና፡ ንሓደ ሰብ እኳ ኽይፍንፍን ወይስ ርኹስ እዩ ኽይብል፡ ኣምላኽ ኣርእዩኒ። [29] ምእንትዚ ድማ ምስ ለኣኽኩምለይ፡ ስግጥ ከይበልኩ መጻእኩ። ሕጂ ኸኣ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝለኣኽኩምለይ፡ እሐተኩም ኣሎኹ፡ በሎም። [30] ቆርኔሌዎስ ድማ፡ ቅድሚ ኣርባዕተ መዓልቲ ብታስዐይቲ ሰዓት ኣብ ቤተይ ኰይነ እጽሊ ነበርኩ። እንሆ ኸኣ፡ ዜብርህ ክዳን እተኸድነ ሰብኣይ ኣብ ቅድመይ ደው በለ እሞ፡ [31] ቆርኔሌዎስ፡ ጸሎትካ ተሰሚዑ፡ ምጽዋትካ ድማ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተዘኪሩ እዩ እሞ፡ [32] ናብ ዮጴ ልኢኽካ፡ ነቲ ጴጥሮስ ዚብሀል ስምኦን ጸውዓዮ፡ ንሱ ኣብ ገምገም ባሕሪ ኣብ ቤት ስምኦን ፈሓቒ ቈራብቲ ጋሻ ኾይኑ ሰፊሩ ኣሎ። ንሱ ምስ መጸ፡ ኪነግረካ እዩ፡ በለኒ። [33] ሽዑ ብኡብኡ ናባኻ ለኣኽኩ፡ ንስኻ ድማ ብምምጻእካ ጽቡቕ ገበርካ። ሕጂ ኸኣ ካብ ጐይታ እተዘዘዝካዮ ዘበለ ምእንቲ ኽንሰምዕሲ፡ ኵላትና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣብዚ ኣሎና፡ በሎ። [34-35] ሽዑ ጴጥሮስ ኣፉ ኸፊቱ በለ፡ ኣብ ኵሉ ህዝቢ ንኣምላኽ ዚፈርሆን ቅንዕና ዚገብርን እንተሎ፡ ኣብኡ ቕቡል እዩ እምበር፡ ኣብ ኣምላኽ ኣድልዎ ኸም ዜልቦ፡ ብሓቂ ኣስተብሀልኩ። [36] እቲ ናብ ደቂ እስራኤል ብየሱስ ክርስቶስ፡ ንሱ ኸኣ ጐይታ ኹሉ፡ ሰላም እናኣበሰሮም እተላእከ ቓል፡ [37] እቲ ድሕሪ እታ ዮሃንስ ዝሰበኻ ጥምቀት ካብ ገሊላ ጀሚሩ ናብ ኵላ ይሁዳ ዝበጽሔ ቓል፡ [38] ማለት ብዛዕባ የሱስ ብዓል ናዝሬት፡ ኣምላኽ ብመንፈስ ቅዱስን ብሓይልን

ከም ዝቐብኦ፡ ኣምላኽ ምስኡ ስለ ዝኾነ፡ እናዞረ ጽቡቕ ከም ዝገበረ፡ ነቶም ሰይጣን ዝሰዐሮም ኲሎም
ከኣ ከም ዘሕወየ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። 39 ነቲ ኣብ ሃገር ኣይሁድን ኣብ የሩሳሌምን ዝገበሮ
ኹሉ ንሕናውን ምስክር ኢና። ንእኡ ኣብ ዕጸይቲ ሰቒሎም ቀተልዎ። 40 ንእኡ ኣምላኽ ኣብ ሳልሰይቲ
መዓልቲ ኣተንስኦ፡ ኪገሀድ ከኣ ሀቦ፡ 41 ንኣና፡ ምስክር ምእንቲ ኽንከውን፡ ኣምላኽ ቅድም ዝሐረየና፡
ንኣና፡ ድሕሪ ኻብ ምውታት ምትንሳኡ ምስኡ ዝበላዕናን ዝሰቴናን እምበር፡ ንኹሉ ህዝብስ
ኣይተጋህደን። 42 ኣምላኽውን ንህያዋንን ምዉታትን ፈራዲ ኪኸውን ዝመደቦ፡ ንሱ ምዃኑ ንህዝቢ
ኽንሰብኽን ክንምስክርን ኣዘዘና። 43 ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ብስሙ ሕድገት ሓጢኣት ከም ዚረኽብ፡
ኲሎም ነብያት ይምስክሩሉ ኣለዉ። 44 ጴጥሮስ ገና እዚ ቓልዚ ኺዛረብ ከሎ፡ ኣብቶም ነቲ ቓል
ዝሰምዕዎ ኹላቶም መንፈስ ቅዱስ ወረደ። 45-46 እቶም ካብ ወገን ግዝረት ዝኾኑ፡ ምስ ጴጥሮስ ዝመጹ
ኣመንቲ ብቛንቋታት ኪዛረቡን ንኣምላኽ ኬመስግኑን ሰምዕዎም እሞ፡ ኣብ ኣህዛብ ድማ ህያብ መንፈስ
ቅዱስ ስለ ዝፈሰሰ ተገረሙ። 47 ሽዑ ጴጥሮስ፡ እዚኣቶምስ ከማና መንፈስ ቅዱስ ካብ ተቐበሉስ፡
ከይጥመቑ ማይ ኪኽልክሎም ዚኽእል ደኣ መን እዩ፧ ኢሉ መለሰ። 48 ብስም የሱስ ክርስቶስ ኪጥመቑ
ኸኣ ኣዘዘ። ድሕርዚ ድማ ቅሩብ መዓልቲ ምሳታቶም ኪቕኒ ለመንዎ።

## ምዕራፍ 11

1 ሃዋርያትን እቶም ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ኣሕዋትን፡ ኣህዛብ ድማ ቃል ኣምላኽ ከም እተቐበሉ፡ ሰምዑ። 2-3
ጴጥሮስ ናብ የሩሳሌም ምስ ደየበ ግና፡ እቶም ካብ ግዝረት ዝኾኑ፡ ናብ ዘይተገዝሩ ሰባት ኣቲኻ
ምሳታቶም ከኣ በሊዕካ፡ ኢሎም ተበኣስዎ። 4 ጴጥሮስ ድማ ተር ኣቢሉ ኺነግሮም ጀመረ፡ ከምዚ ኢሉ፡ 5
ኣነ ኣብ ከተማ ዮጴ ኽጽሊ ኸሎኹ፡ ተመሰጥኩ እሞ በርባዕተ መኣዝኑ እተታሕዘ ዓብዪ ኽዳን ዚመስል
ኣቕሓ፡ ካብ ሰማይ ኪወርድ ከሎ፡ ብራእይ ርኤኹ፡ ናባይውን መጸ። 6 ናብኡ እናጠመትኩ እንተ
ኣስተብሀልኩ ኸኣ፡ ኣርባዕተ መሓውር ዘለዎም እንስሳ ምድርን ኣራዊትን ለመም ዚብልን ኣዕዋፍ
ሰማይን ርኤኹ። 7 ሽዑ ኸኣ፡ ጴጥሮስ፡ ተንስእ፡ ሐሪድካ ብላዕ፡ ዚብለኒ ድምጺ ሰማዕኩ። 8 ኣነ ግና፡
ጐይታይ፡ ርኹስ ወይስ ዜፈንፍን ከቶ ኣብ ኣፈይ ኣትዩ ኣይፈልጥን እዩ እሞ፡ ኣይከውንን እዩ፡ በልኩ። 9
ካልኣይ ጊዜ ኸኣ፡ ነቲ ኣምላኽ ዘንጽሆ ንስኻ ኣይተርክሶ፡ ዚብል ድምጺ ኻብ ሰማይ መለሰለይ። 10 እዚ
ሰለስተ ጊዜ ኾነ፡ ከም ብሓድሽ ድማ ኲሉ ናብ ሰማይ ተሳሕበ። 11 እንሆ ኸኣ፡ ብኡብኡ ሰለስተ ሰባት
ካብ ቂሳርያ ናባይ ተልኢኾም፡ ኣብ ጥቓ እታ ኣነ ዘሎኽዋ ቤት ደው ኢሎም ነበሩ። 12 መንፈስ ከኣ
ከይተዋላወልኩ ምሳታቶም ክኸይድ ነገረኒ። እዞም ሹድሽተ ኣሕዋት ድማ ምሳይ ከዱ፡ ኣብ ቤት እቲ
ሰብኣይውን ኣቶና። 13-14 ንሱ ኸኣ፡ መልኣኽ ኣብ ቤቱ ደው ኢሉ፡ ንዮጴ ልኣኽ እሞ ነቲ ጴጥሮስ ዚብሀል
ስምኦን ጸዊዕካ ኣምጽኣዮ፡ ንስኻን ኲላ ቤትካን እትድሕኑሉ ቓል፡ ንሱ ኺነግረካ እዩ፡ ኪብሎ ኸሎ
ኽምዝረኣየ ነገረና። 15 ክዛረብ ምስ ጀመርኩ ኸኣ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ከምቲ ቐድም ኣባና ዝወረደ፡
ኣባታቶምውን ወረደ። 16 ሽዑ ነቲ፡ ዮሃንስ ብማይ ኣጥመቐ፡ ንስኻትኩም ግና ብመንፈስ ቅዱስ
ክትጥመቑ ኢኹም፡ ዝብል ቓል ጐይታ ዘከርኩ። 17 እምብኣርሲ ኣምላኽ ከምቲ ንኣና ብጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ንዝኣመንና ዝሃበና፡ ማዕሬና ገይሩ ህያብ ካብ ዚህቦም፡ ኣነ ደኣ ንኣምላኽ ክኽልክሎ ዝኽእል
እንታዋይ እየ፧ 18 እዚ ምስ ሰምዑ ሃድኡ እሞ፡ እምብኣርስ ኣምላኽ ነህዛብ ድማ ንህይወት ዚኸውን
ንስሓ ሂብዎም፡ እናበሉ ንኣምላኽ ኣመስገኑ። 19 እቶም ብሰሪ እቲ ኣብ እስጢፋኖስ ዝበጽሔ መከራ
እተበተኑ ግና፡ ክሳዕ ፌንቂስን ቆጵሮስን ኣንጾክያን ዞሩ፡ እቲ ቓል ከኣ ብዘይ ንኣይሁድ ንሓደ እኳ

ኣይነግሩን ነበሩ። 20 ሓያሎ ኻባታቶም ግና ሰብ ቆጵሮስን ሰብ ቄረኔን ነበሩ፡ እዚኣቶም ናብ ኣንጾክያ ምስ
መጹ፡ ወንጌል ጐይታና የሱስ እናሰበኹ፡ ነቶም ጽርኣውያንውን ነገርዎም። 21 ኢድ እግዚኣብሄር
ምሳታቶም ነበረት፡ ብዙሕ ዝቕጽሮም ሰብ ድማ ኣሚኖም ናብ ጐይታ ተመልሱ። 22 እዚ ወረ እዚ ኸኣ
ብዛዕባኦም ኣብታ ኣብ የሩሳሌም ዘላ ማሕበር ተሰምዔ፡ ንበርናባስ ድማ ናብ ኣንጾክያ ለኣኽዎ። 23-24
ንሱ ምስ መጸ፡ ጸጋ ኣምላኽ ርእዩ ተሐጐሰ። ንሱ መንፈስ ቅዱስን እምነትን ዝመልኦ ሕያዋይ ሰብኣይ
እዩ እሞ፡ ብምሉእ ልቦም ብጐይታ ጸኒዖም ኪነብሩ መኸሮም፡ ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ ንጐይታ ተወሰኸ። 25
በርናባስ ካብኡ ወጺኡ ንሳውል ኪደልዮ ናብ ጠርሴስ ከደ እሞ ምስ ረኸቦ፡ ናብ ኣንጾክያ ኣምጽኦ። 26
ኰነ ኸኣ፡ ኣብታ ማሕበር ዓመት ምሉእ ብሕብረት ነበሩ ንብዙሕ ህዝቢውን መሀሩ። እቶም ደቀ
መዛሙርቲ ኸኣ ቅድም ኣብ ኣንጾክያ ክርስትያን ተሰምዩ። 27 በታ ቕነ እቲኣ ነብያት ካብ የሩሳሌም ናብ
ኣንጾክያ ወረዱ። 28 ሓደ ኻባታቶም ከኣ ኣጋቦስ ዝስሙ ተንሲኡ፡ ኣብ ኲላ ዓለም ብርቱዕ ጥሜት ከም
ዚኸውን፡ ብመንፈስ ተዛረበ። እዚ ብዘመን ቄሳር ቅላውዴዎስ ኰነ። 29 እቶም ደቀ መዛሙርቲ ነፍሲ
ወከፍ ከከም ዓቕሙ ነቶም ኣብ ይሁዳ ዘለዉ ኣሕዋት ረድኤት ኪሰዱሎም መደቡ። 30 ከምኡ ገይሮም
ከኣ ብኢድ በርናባስን ሳውልን ናብቶም ሽማግሌታት ሰደድዎ።

# ምዕራፍ 12

1 በቲ ዘመንቲ ንጉስ ሄሮድስ ኣብ ሓያሎ ኻብታ ማሕበር ክፉእ ኪገብሮም ኢዱ ዘርግሔ። 2 ንያእቆብ
ሓው ዮሃንስ ከኣ ኣሰየፎ። 3 እዚ ንኣይሁድ ባህ ከም ዘበሎም ምስ ረኣየ ድማ፡ ወሲኹ ንጴጥሮስ ሐዞ።
ቅነ በዓል ቅጫ ኸኣ ነበረ። 4 ምስ ሐዞ ኸኣ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎ። ድሕሪ ፋስጋ ናብ ህዝቢ
ኼውጽኦ ድልዩ፡ በበርባዕተ ኹይኖም ኪሐልውዎ ነርባዕተ መደብ ዓቀይቲ ኣሕሊፉ ሀቦ። 5 ጴጥሮስ
ከምዚ ኹይኑ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ይሕሎ ነበረ፡ እታ ማሕበር ግና ምእንትኡ ኹሉ ሳዕ ናብ ኣምላኽ
ትጽሊ ነበረት። 6 ሄሮድስ ኬቕርቦ ምስ ሐሰበ፡ በታ ቕድሚኣ ዘላ ለይቲ፡ ጴጥሮስ ብኽልተ ሞቕሕ
ተኣሲሩ ኣብ መንጎ ኽልተ ዓቀይቲ ደቂሱ ነበረ። እቶም ሓለውቲ ኸኣ ኣብ ኣፍ ደገ እቲ ቤት ማእሰርቲ
ኹይኖም ይሕልዉ ነበሩ። 7 እንሆ ኸኣ፡ መልኣኽ እግዚኣብሄር ኣብ ጥቓኡ ደው በለ፡ ኣብታ ቤት
ማእሰርቲ ድማ ብርሃን በርሄ፡ ንጴጥሮስውን መሰንገሊኡ ተንክዩ፡ ቀልጢፍካ ተንስእ፡ ኢሉ ኣበራበሮ።
እቲ መቓውሕ ድማ ካብ ኣእዳዉ ወደቐ። 8 እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ተዐጠቕ፡ ኣሳእንካውን ኣእቱ፡ በሎ። ንሱ
ድማ ከምኡ ገበረ። እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ክዳንካ ተኸደን እሞ ስዐበኒ፡ በሎ። 9 ንሱውን ወጺኡ ሰዐቦ።
ግናኸ ራእይ ዚርኢ ዘሎ ይመስሎ ነበረ እምበር፡ እቲ ብመልኣኽ ዝኾነ፡ ሓቂ ምዃኑ ኣየስተውዐለን። 10
ነቶም ቀዳማይን ካልኣይን በሪ ዚሕልዉ ምስ ሐለፈ፡ ናብቲ ናብ ከተማ ዜእቱ ማዕጾ ሓጺን በጽሑ፡
ባዕሉውን ተኸፍተሎም። ወጺኦም ከኣ ሓደ ኣደባባይ ምስ ሐለፉ፡ ሽዑ እቲ መልኣኽ ካብኡ ተሰወረ። 11
ጴጥሮስ ናብ ልቡ ምስ ተመልሰ ድማ፡ እግዚኣብሄር መልኣኹ ልኢኹ፡ ካብ ኢድ ሄሮድስን ካብቲ ህዝቢ
ኣይሁድ ዚጽበይዎ ዝነበሩ ኹሉን ከም ዘድሐነኒ፡ ብሓቂ ሕጂ ፈለጥኩ፡ በለ። 12 ነቲ ነገር ምስ
ኣስተውዐለ፡ ናብ ቤት ማርያም፡ ኣደ እቲ ማርቆስ ዚብሀል ዮሃንስ፡ መጸ። ኣብኡ ኸኣ ብዙሓት
ተኣኪቦም ይጽልዩ ነበሩ። 13 ጴጥሮስ ነቲ ማዕጾ ደገ ኳሕኳሕ ምስ ኣበለ፡ ሮዳ እትብሀል ግዝእቲ
ኽትሰምዕ መጸት። 14 ንሳ ኸኣ ድምጺ ጴጥሮስ ምዃኑ ምስ ኣለለየት፡ ብታሕጓስ ናብ ውሽጢ ጐየያ፡
ጴጥሮስ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢሉ ኸም ዘሎ፡ ነገረት እምበር፡ ነቲ ማዕጾ ኣይከፈተቶን። 15 ንሳቶም ግና፡
ተጸሊልኪ ኢኺ፡ በልዋ። ንሳ ኸኣ ከምኡ ምዃኑ ኣርገጸት። ሽዑ መልኣኹ ኾን ይኸውን፡ በሉ። 16

ጴጥሮስ ግና ኳሕኳሕ የብል ነበረ። ምስ ከፈቱ ኸኣ ረኣይዎ እሞ ተገረሙ። [17] ንሱ ግና ስቕ ኪብሉ
ብኢዱ ኣመልኪቶም፡ እግዚኣብሄር ካብ ቤት ማእሰርቲ ኸመይ ገይሩ ኸም ዘውጽኦ ኸኣ፡ ኣዘንተወሎም
እሞ፡ እዚ ነገር እዚ ንያእቆብን ነቶም ኣሕዋትን ንገርዎም፡ በሎም። ካብኡ ወጺኡ ኸኣ ናብ ካልእ ስፍራ
ኸደ። [18] ምስ ወግሐ፡ እቶም ዓቀይቲ፡ ንጴጥሮስሲ ኣንታይ ኰን ረኺብዎ ይኸውን፧ ኢሎም ብዙሕ
ተጨነቑ። [19] ሄሮድስ ድማ ደልዩ ምስ ሰኣኖ፡ ነቶም ሓለውቲ መርሚሩ ኪቕተልዎም ኣዘዘ እሞ ካብ
ይሁዳ ናብ ቂሳርያ ወሪዱ ኣብኣ ቐነየ። [20] ሄሮድስ ንሰብ ጢሮስን ሲዶናን ኣዝዩ ኹርዩ ተጻሊእዎም
ነበረ። ተሰማሚዖም ከኣ ናብኡ መጹ። ምግቢ ሃገሮም ካብ ግዝኣት እቲ ንጉስ ስለ ዝነበረ፡ ንብላስጦስ
ሸለቃ ዝፋን ቤት ንጉስ ኣፍትዮም ዕርቂ ለመኑ። [21] ሄሮድስ በታ መዓልቲ ቈጸራ ልብሰ መንግስቱ ለቢሱ
ኣብ ዙፋን ተቐሚጡ ተዛረቦምውን። [22] እቶም ህዝቢ ድማ፡ እዝስ ድምጺ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ድምጺ
ሰብ ኣይኰነን፡ ኢሎም ጨደሩ። [23] ክብሪ ንኣምላኽ ስለ ዘይሀበ ድማ ብኡብኡ መልኣኽ እግዚኣብሄር
ቀዘፎ፡ ሓሲኹውን ሞተ። [24] ቃል ኣምላኽ ከኣ እናዐበየን እናተዘርግሔን ከደ። [25] በርናባስን ሳውልን ድማ
ነቲ ረድኤት ኣብጺሖም፡ ካብ የሩሳሌም ተመልሱ። ምሳታቶም ከኣ ነቲ ማርቆስ ዚብሀል ዮሃንስ
ተማልእዎ።

## ምዕራፍ 13

[1] ኣብታ ኣብ ኣንጾክያ ዝነበረት ማሕበር ከኣ ነብያትን መምህራንን ነበሩ፡ በርናባስን ኔገር እተባህለ
ስምኦንን ሉክዮስ ብዓል ቄሬኔን እቲ ምስ ሄሮድስ ብዓል ርባዕ ሽመት ዝዐበየ ማናይንን ሳውልን። [2]
እዚኣቶም ንእግዚኣብሄር ኬገልግሉን ኪጾሙን ከለዉ ኸኣ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ በርናባስን ሳውልን ነቲ
ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ፡ በሎም። [3] ሽዑ ጾሙን ጸለዩን ኣእዳዎም ከኣ ኣንበሩሎም እሞ ሰደድዎም። [4]
ንሳቶም ከምዚ ኢሎም ብመንፈስ ቅዱስ ተልኢኾም ናብ ሴሌውቅያ ወረዱ። ካብኡ ኸኣ ብመርከብ ናብ
ቆጵሮስ ከዱ። [5] ኣብ ሰላሚስ ምስ በጽሑ ኸኣ፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎት ኣይሁድ ቃል ኣምላኽ ነገሩ። ንዮሃንስ
ከኣ ኬገልግሎም ወሲዶምዎ ነበሩ። [6] ነታ ደሴት ብዘላ ኸሳዕ ጳፉስ ምስ ዞርዋ ኸኣ፡ ሓደ ጠንቋሊ፡ ነብዩ
ሓሶት፡ ባርየሱስ ዝስሙ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ ረኸቡ። [7] ንሱ ምስቲ ምስለኔ፡ ስርግዮስ ጳውሎስ ኣስተውዓሊ
ሰብኣይ፡ ይነብር ነበረ። ንሱውን ቃል ኣምላኽ ኪሰምዕ ደልዩ፡ ንሳውልን ንበርናባስን ናብኡ ጸውዖም። [8]
ግናኸ ኤልማስ ጠንቋሊ፡ስሙ ኸምኡ ይትርጐም እዩ እሞ፡ነቲ ምስለኔ ኻብ ምእማን ኪመልሶ ደልዩ
ተቓወሞም። [9] እቲ ጳውሎስ እተሰምየ ሳውል ግና፡ መንፈስ ቅዱስ መሊእዎ፡ ጠሚቱ እሞ፡ [10] ኣታ፡ ኲሉ
ተንኰልን ኲሉ ኽፍኣትን ዝመልኣካ ወዲ ድያብሎስ፡ ጸላእ ኲሉ ጽድቂ፡ ነቲ ቕኑዕ መገዲ እግዚኣብሄር
ካብ ምጥዋይሲ ካንዶ ኣይትዐርፍን ኢኻ፧ [11] ሕጂ ኸኣ እንሆ፡ ኢድ ጐይታ ኣብ ልዕሌኻ እያ፡ ክትዐውር፡
ክሳዕ ጊዜኡውን ጸሓይ ኣይክትርእን ኢኻ፡ በሎ። ብኡብኡ ኸኣ ጣቓን ጸልማትን ወደቖ፡ ኣብዝን ኣብትን
እናተመላለሰ ኸኣ፡ ብኢዱ ሒዙ ዚመርሖ ደለየ። [12] ሽዑ እቲ ምስለኔ ነቲ ዝኾነ ርእዩ፡ ብምህሮ ጐይታ
ተገሪሙ ኣመነ። [13] ድሕሪዚ ጳውሎስን ብጾቱን ካብ ጳፉስ ብመርከብ ከዱ፡ ናብ ጴርጌ ናይ ጶምፍልያ
ኸኣ መጹ። ዮሃንስ ከኣ ካባታቶም ተፈልዩ ናብ ዮሩሳሌም ተመልሰ። [14] ንሳቶም ግና ካብ ጴርጌ ሐሊፎም
ናብ ኣንጾክያ ናይ ጲሲድያ መጹ። ብመዓልቲ ሰንበት ከኣ ናብ ቤት ጸሎት ኣትዮም ተቐመጡ። [15] ንሕግን
ነብያትን ምስ ኣንበቡ፡ እቶም መራሕቲ ቤት ጸሎት፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ገለ ንህዝቢ ዚንገር ቃል ምዕዶ
እንተሎኩም፡ ንገሩ፡ ኢሎም ለኣኹሎም። [16] ሽዑ ጳውሎስ ተንሲኡ፡ ብኢዱ እናኣመልከተ በለ፡ ኣቱም
ሰብ እስራኤልን ንኣምላኽ እትፈርሁን፡ ስምዑ፡ [17] ናይ እዚ ህዝቢ እስራኤል ኣምላኽ ነቦታትና ሐረዮም፡

ነዚ ህዝቢ እዚ ኸኣ ኣብ ስደቱ ኣብ ምድሪ ግብጺ ልዕል ኣበሎ፡ በታ ልዕልቲ ኢዱ ድማ ካብኣ
ኣውጽኦም። [18] ኣስታት ኣርብዓ ዓመት ኣቢሉ ኸኣ ኣብ በረኻ ኸም ኣቦ ኾይኑ ጾሮም። [19] ሾብዓተ ኣህዛብ
ካብ ምድሪ ከነኣን ኣጥፊኡ፡ ነቲ ምድሮም ኣውረሶም። [20] ድሕርዚ ኸኣ ኣስታት ኣርባዕተ ሚእትን ሓምሳን
ዓመት ኣቢሉ ኽሳዕ ነብዪ ሳሙኤል መሳፍንቲ ሀቦም። [21] ድሕርዚ ንጉስ ለመኑ፡ ኣምላኽ ከኣ ነርብዓ
ዓመት ሓደ ሰብኣይ ካብ ነገድ ብንያም፡ ሳኦል ወዲ ቂስ ሀቦም። [22] ምስ ሰዐሮ ድማ፡ ንዳዊት፡ ንጉስ
ኪኸውን፡ ኣተንስኣሎም፡ ዳዊት ወዲ እሴይ ኩሉ ፍቓደይ ዚገብር ሰብኣይ ዝኸም ልበይ ረኸብኩ፡ ኢሉ
ኸኣ መስከረሉ። [23] ኣምላኽ ከም ተስፋኡ ኻብ ዘርኡ ንእስራኤል መድሓኒ፡ ንሱ ኸኣ የሱስ፡ ኣተንስኤ፡ [24]
ቅድሚ ምምጻኡውን ዮሃንስ ንኹሉ ህዝቢ እስራኤል ጥምቀት ንስሓ ሰበኸ። [25] ዮሃንስ ከኣ ጒያኡ
ኺፍጽም ከሎ፡ ኣነ መን ምዃነይ ይመስለኩም ኣሎ፧ ኣነስ ንሱ ኣይኰንኩን። እንሆ ደኣ፡ ኣነ ኣሳእኑ ኻብ
ኣእጋሩ ንምውጻእ ዘይበቅዕ፡ ንሱ ብድሕረይ ይመጽእ ኣሎ፡ በለ። [26] ኣቱም ኣሕዋትና፡ ደቂ ዓሌት
ኣብርሃምን ኣብ ማእከልኩም ዘለዉ ንኣምላኽ ዚፈርሁን፡ እዚ ቓል ምድሓን እዚ ናባታትና እዩ
እተላእከ። [27] እቶም ኣብ የሩሳሌም ዚነብሩ ምስ መኳንንቶም ንእኡ ስለ ዘይፈለጥዎ፡ ነቲ በብሰንበት
ዜንብብዎ ቓል ነብያት ብፍርዶም ፈጸምዎ። [28] ንሞት እትኸውን ምኽንያት ሓንቲ እኳ ምስ ሰኣኑሉ፡
ኪቐትሎ ንጲላጦስ ለመንዎ። [29] ነቲ ብዛዕባኡ እተጻሕፈ ዘበለ ምስ ፈጸሙ፡ ካብ ዕጨይቲ ኣውሪዶም
ኣብ መቓብር ኣእተውዎ። [30] ኣምላኽ ግና ካብ ምዉታት ኣተንስኦ። [31] ነቶም ካብ ገሊላ ናብ የሩሳሌም
ምስኡ ዝደየቡ፡ ሕጂ ኸኣ ኣብዚ ህዝቢ እዚ ምስክሩ ኾይኖም ዘለዉ፡ ብዙሕ መዓልቲ ተራእዮም። [32-33]
ከምቲ ኣብ ካልኣይ መዝሙር፡ ንስኻ ወደይ ኢኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ኣምላኽ
ንየሱስ ኣተንሲኡ እቲ ነቦታትና እተዋህበ ተስፋ ንኣና፡ ንደቆም፡ ከም ዝፈጸሞ፡ ንሕና ድማ ነበስረኩም
ኣሎና። [34] ከም ብሓድሽ ናብ ጥፍኣት ከይምለስ ከኣ፡ ካብ ምዉታት ኣተንሲእዎ እዩ እሞ፡ እቲ ቅዱስን
እሙንን በረኸት ዳዊት ክህበኩም እየ፡ በለ። [35] ምእንትዚ ኣብ ካልእ መዝሙር ከኣ፡ ንቕዱስካ ጥፍኣት
ኪርኢ ኣይትህቦን ኢኻ፡ ይብል እዩ። [36] ዳዊት ብዘመኑ ንፍቓድ ኣምላኽ ምስ ኣገልገለ ዐረፈ፡ ናብ
ኣቦታቱውን ተጸምበረ ጥፍኣት ከኣ ረኣየ። [37] እቲ፡ ኣምላኽ ዘተንስኦ ግና፡ ንሱ ጥፍኣት ኣይረኣየን። [38-39]
እምብኣርሲ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ብእኡ ሕድገት ሓጢኣት ይንገረልኩም ከም ዘሎ፡ ካብቲ ብሕጊ ሙሴ
ኽትጸድቁሉ ዘይከኣለኩም ኩሉ ነገር፡ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒ ብእኡ ኸም ዚጸድቕሲ፡ ኣባኻትኩም ፍሉጥ
ይኹን። [40-41] ስለዚ እቲ ብነብያት፡ ኣቱም ነዓቕቲ፡ ርኣዩ፡ ሓደ እኳ እንተ ነገረኩም፡ ከቶ ዘይትኣምንዎ
ግብሪ ብዘመንኩም ክገብር እየ እሞ፡ ተገረሙን ጥፍኡን፡ ዚብል ከይበጽሓኩም ተጠንቀቑ። [42] ንሳቶም
ኪወጹ ኸለዉ ኸኣ፡ በታ እትመጽእ ሰንበትውን እዚ ቓላትዚ ኺነግርዎም ለመንዎም። [43] እቲ ኣኼባ ምስ
ተበተነ ኸኣ፡ ካብ ኣይሁድን ካብቶም ንኣምላኽ ዚፈርሁ ጽሮሴሊታት ብዙሓት ንጳውሎስን ንበርናባስን
ሰዐቡ። ንሳቶም ኪነግርዎም ከለዉ ኸኣ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ኪጸንዑ መዐድዎም። [44] በታ እትስዕብ ሰንበት
ከኣ ዳርጋ ኹላ እታ ኸተማ ቓል ኣምላኽ ክትሰምዕ ተኣከበት። [45] ኣይሁድ ነቲ እኩብ ሰብ ምስ ረኣዩ፡
ቅንኣት መልኦም፡ እናተኸራኸሩን እናተጻረፉን ከኣ በቲ ጳውሎስ ዝበሎ ቓል ተኻትዑ። [46-47] ጳውሎስን
በርናባስን ከኣ ተቢዖም ከምዚ በሉ፡ ቃል ኣምላኽ ቅድም ንኣኻትኩም ኪንገር ይግባእ ነይሩ፡ ካብ
ደፋእኩምዎን፡ ንናይ ዘለኣለም ህይወት ብቑዓት ከም ዘይኰንኩም ከኣ፡ ብርእስኹም ካብ
ፈረድኩምንከ፡ እግዚኣብሄር፡ ክሳዕ ወሰን ምድሪ ንምድሓን ምእንቲ ኽትከውን፡ ነህዛብ ብርሃን
ገበርኩኻ፡ ኢሉ ኣዚዙና እዩ እሞ፡ እንሆ፡ ገጽና ናብ ኣህዛብ ንመልስ ኣሎና። [48] ኣህዛብ ከኣ እዚ ሰሚዖም
ተሐጒሶ፡ ንቓል ኣምላኽ ድማ ኣመስገኑ። እቶም ንህይወት ዘለኣለም እተመደቡ ዘበሉ ኹላቶምውን
ኣመኑ። [49] ቃል እግዚኣብሄር ናብ ኩላ እታ ሃገር በጽሔ። [50] ኣይሁድ ግና ነተን እግዚኣብሄር ዚፈርሃ

ሕፋራት ኣንስትን ነቶም ዓበይቲ ዓድን ኣነዐብዎም። ኣብ ጳውሎስን ኣብ በርናባስን ድማ ስደት ኣለዐሉ፡
ካብ ወሰን ሃገሮምውን ሰጐጒዎም። [51] ንሳቶም ከኣ ተጐዳ ኣእጋሮም ነገፉሎም እሞ ናብ ኢቆንዮም ከዱ።
[52] እቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ሓጐስን መንፈስ ቅዱስን መልኡ።

## ምዕራፍ 14

[1] ከምኡ ድማ ኣብ ኢቆንዮም ኰነ፡ ሓቢሮም ኣብ ቤት ጸሎት ኣይሁድ ኣትዮም፡ ካብ ኣይሁድን
ጽርኣውያንን ኣዝዮም ብዙሓት ህዝቢ ኽሳዕ ዚኣምኑ፡ ተዛረቡ። [2] እቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ግና ልቢ
እቶም ኣህዛብ ናብቶም ኣሕዋት ኣናቓነቑን ኣኽፍኡን። [3] ኣብኡ ነዊሕ ወርሓት ተቐመጡ። በቲ
ትእምርትን ተኣምራትን በእዳዎም እናገበሩ፡ ንቓል ጸጋኡ ምስክር ዝህበ ጐይታ ተኣሚኖም፡ ብትብዓት
ተዛረቡ። [4] ደቂ እታ ኸተማ ኸኣ ኣብ ክልተ ተመቐሉ፡ ገሊኦም ምስ ኣይሁድ፡ ገሊኦም ድማ ምስ
ሃዋርያት ኰኑ። [5] ኣህዛብን ኣይሁድን ምስ መኳንንቶም ሓሳር ኬጽግብዎምን ብዳርባ እምኒ
ኪቐትልዎምን ምስ ተላዕሉ፡ [6] ንሳቶም ድማ እዚ ምስ ፈለጡ፡ ናብ ከተማታት ሊቃኦንያን ናብ ልስጥራን
ናብ ደርቤን፡ ኣብ ከባቢኤን ናብ ዘላ ሃገርን ሀደሙ፡ [7] ኣብኡውን ወንጌል ይሰብኩ ነበሩ። [8] ሓደ ሰብኣይ፡
ኣእጋሩ ዝሞተ፡ ካብ ከርሲ ኣዲኡ ጀሚሩ ዝማህመነ፡ ተዛዊሩ እኳ ዘይፈልጥ፡ ኣብ ልስጥራ ተቐሚጡ
ነበረ። [9] ንሱ ጳውሎስ ኪዛረብ ከሎ ሰምዔ። ጳውሎስ ድማ ተኵሩ ጠመቶ ኪሐዊ እምነት ከም ዘላቶ
ምስ ረኣየ፡ [10] ድምጹ ዓው ኣቢሉ፡ ትኽ ኢልካ በእጋርካ ደው በል፡ በሎ። ብድድ ኢሉ ኸኣ ተዛወረ። [11]
ሽው እቶም ህዝቢ ጳውሎስ ዝገበሮ ምስ ረኣዩ፡ ድምጾም ዓው ኣቢሎም ብዘረባ ሊቃኦንያ፡ ኣማልኽቲ
ብኣርኣያ ሰብ ናባና ወሪዶም፡ በሉ። [12] ንበርናባስ፡ ድያ፡ በልዎ፡ ንጳውሎስ ድማ፡ መራሒ ዘረባ ስለ
ዝኾነ፡ ሄርሜስ። በልዎ። [13] ካህን እቲ ኣብ መንጽር ከተማ ዝነበረ መቕደስ ድያ ድማ ኣብዑርን
ኣኽሊላት ዕምባባን ናብቲ ደጌታት ኣምጺኡ ምስቶም ሰብ ኰይኑ ኺስውኣሎም ደለየ። [14] ግናኸ
ጳውሎስን በርናባስን፡ እቶም ሃዋርያት፡ እዚ ምስ ሰምዑ፡ ክዳውንቶም ቀደዱ፡ እናጨደሩ ኸኣ ናብቶም
ህዝቢ ጐየዩ፡ [15] እናበሉ፡ ኣቱም ሰብ፡ ንምንታይ እዚ ነገርዚ እትገብሩ፧ ንሕና ድማ ከማኻትኩም
ዝፍጥረትና ሰብ ኢና፡ ካብዚ ኸንቱ ነገር ናብቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ኣባታቶም ዘለዉ ኹሎምን
ዝፈጠረ ህያው ኣምላኽ ክትምለሱ ነበስረኩም ኣሎና። [16] ንሱ ብዝሐለፈ ወለዶ ንኹሎም ኣህዛብ
መመገዶም ይኺዱ ሐደጎም። [17] ምስናይዚ ኸኣ ጽቡቕ እናገበረ፡ ካብ ሰማይ ዝናምን ዘመን ፍርያትን
እናህበኩም ንልብኹምውን ብመብልዕን ሓጐስን እናጽገበ፡ ርእሱ ብዘይ ምስክር ኣይሐደገን። [18] እዚ
ኢሎም ከኣ፡ ከይስውኡሎም፡ ነቶም ህዝቢ ብሓይለ ገደል ከልከልዎም። [19] ኣይሁድ ከኣ ካብ ኣንጾክያን
ካብ ኢቆንዩምን መጹ። ነቶም ህዝቢ ሐባቢሎም ንጳውሎስ ድማ ብዳርባ እምኒ ፈጽፈጽዎ፡ ዝሞተ
መሲልዎም ከኣ ካብታ ኸተማ ንወጻኢ ጓተትዎ። [20] እቶም ደቀ መዛሙርቱ ኸቢቦምዎ ኸለዉ ኸኣ፡
ብድድ ኢሉ ናብታ ኸተማ ኣተወ። ንጽብሒቱ ኸኣ ምስ በርናባስ ናብ ደርቤ ኸደ። [21] ኣብታ ኸተማ
እቲኣ ድማ ወንጌል እናሰበኹ ብዙሓት ደቀ መዛሙርቲ ምስ ገበሩ፡ ናብ ልስጥራን ናብ ኢቆንዩምን ናብ
ኣንጾክያን ተመልሱ። [22] ነፍሲ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኣጸናንዑ፡ ናብ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ጸበባ
ኽንኣቱ ይግብኣና እዩ፡ እናበሉ ኸኣ ኣብ እምነት ኪጸንዑ ይምዕድዎም ነበሩ። [23] ኣብ መማሕበሩ
ሽማግሌታት ምስ ሐረዩሎም ድማ፡ ብጾምን ብጸሎትን ናብቲ ብእኡ ዝኣመኑ ጐይታ ኣማዕቈብዎም። [24]
ብጲስድያ ሐሊፎም ናብ ጳምፍልያ መጹ። [25] ኣብ ጴርጌ ነቲ ቓል ምስ ነገሩ፡ ናብ ኣጣልያ ወረዱ። [26]
ካብኣ ኸኣ ናብታ ነቲ ዝፈጸምዎ ዕዮ ኣብኣ ንጸጋ ኣምላኽ ዘማሕጸንዎም ኣንጾክያ ብመርከብ ተሳገሩ። [27]

ናብኣ ምስ በጽሑ፡ ንማሕበር ኣኪቦም፡ ኣምላኽ ዝገበረሎም ኲሉን ነህዛብ ከኣ ደገ እምነት ከም
ዝኸፈተሎምን፡ ኣዘንተዉሎም። [28] ምስቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸኣ ሓያሎ መዓልቲ ጸንሑ።

# ምዕራፍ 15

[1] ካብ ይሁዳ ዝወረዱ ሓያሎ ድማ ነቶም ኣሕዋት፡ ከም ስርዓት ሙሴ እንተ ዘይተገዘርኩምሲ፡
ክትድሕኑ ኣይኰነልኩምን እዩ፡ ኢሎም መሀርዎም። [2] ኣብ መንጎኦምን መንጎ ጳውሎስን በርናባስን
ብዙሕ ምፍልላይን ክትዕን ምስ ኰነ ኸኣ፡ ጳውሎስን በርናባስን ካባታቶምውን ሓያሎ ኻልኦትን ብዛዕባ
እዚ ባእሲ ናብ ሃዋርያትን ሽማግሌታትን ናብ የሩሳሌም ኪድይቡ መደቡ። [3] ሽዑ ንሳቶም ካብ
ማሕበር ምስ ተፋነዉ፡ ምምላስ ኣህዛብ እናውረዩሎም፡ ብፊንቄን ብሰማርያን ሐለፉ። ንኹላቶም
ኣሕዋት ከኣ ብዙሕ ኣሐጐስዎም። [4] ኣብ የሩሳሌም ምስ በጽሑ ድማ፡ እቶም ማሕበርን ሃዋርያትን
ሽማግሌታትን ተቐበልዎም፡ ንሳቶም ድማ ኣምላኽ ዝገበረሎም ዘበለ ኹሉ ተዛረብዎም። [5] ካብቶም
ዝኣመኑ ወገን ፈሪሳውያን ግና ሓያሎ፡ ኪገዝርዎምን ምሕላው ሕጊ ሙሴ ኺእዝዝዎምን ይግባእ እዩ፡
ኢሎም ተንስኡ። [6] እቶም ሃዋርያትን ሽማግሌታትን ከኣ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ ኺምርምሩ ተኣከቡ። [7]
ብዙሕ ክትዕ ምስ ኰነ ኸኣ፡ ጴጥሮስ ተንሲኡ ኸምዚ በሎም፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ካብ ቀዳማይ ዘመን
ጀሚሩ ኣህዛብ ብኣፈይ ቃል ወንጌል ኪሰምዑን ኪኣምኑን፡ ኣምላኽ ካባኻትኩም ከም ዝሐረየኒ፡
ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። [8] እቲ ልቢ ዚፈልጥ ኣምላኽ ከኣ ከምቲ ንኣና ዝሃበና ንኣታቶምውን
መንፈስ ቅዱስ ብምሃቡ መስከረሎም። [9] ልቦም ብእምነት ምስ ኣንጽሄ፡ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎኦምን
ሓንቲ እኳ ኣይፈላለየን። [10] እምብኣርስኸ ሕጂ ነቲ ኣቦታትናን ንሕናን ክንጾሮ ዘይከኣለና ኣርዑት ኣብ
ክሳድ ደቀ መዛሙርቲ ብምንባርኩም ስለምንታይ ንኣምላኽ እትፍትንዎ፧ [11] ንሕናስ ከማታቶም ደኣ
ብጸጋ ጐይታና የሱስ ከም እንድሕን፡ ንኣምን ኣሎና። [12] ኲላቶም እቶም ህዝቢ ድማ ስቕ በሉ፡ ነቲ
በርናባስን ጳውሎስን ከመይ ዝበለ ዓብዪ ትእምርትን ተኣምራትን ኣምላኽ ብኣታቶም ኣብ ኣህዛብ
ዝገበሮ ኺነግርዎም ከለዉ ኸኣ፡ ጽን ይብሉ ነበሩ። [13] ንሳቶም ስቕ ምስ በሉ ኸኣ፡ ያእቆብ ከምዚ ኢሉ
መለሰ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ስምዑኒ፡ [14] ኣምላኽ ካብ ኣህዛብ ንስሙ ህዝቢ ምእንቲ ኺውጽእ፡ ቅድም
ከመይ ከም ዝበጽሖም፡ ስምኦን ኣዘንተዩ ኣሎ። [15-18] ምስ እዚ ድማ እቲ ቓል ነብያት ይሰማማዕ፡ ከምቲ፡
እቶም ዝተረፉ ሰብን ስመይ ኣባታቶም እተጸውዔ ኹሎም ኣህዛብን ንጐይታ ምእንቲ ኺደልዩ፡ ነታ
ወዲቓ ዘላ ድንኳን ዳዊት ከም ብሓድሽ ክሰርሓ፡ ነቲ ዖናኣ ኽሕድሶ ኸም ብሓድሽውን ከቕንዖ እየ፡ እዚ
ነገርዚ እቲ ኻብ ዘለኣለም ፈሊጡ ዚገብሮ ጐይታ ይብል ኣሎ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ። [19-21] ካብ ቀዳሞት
ወለዶ ጀሚሩ ኣብ ቤት ጸሎቶም በብሰንበት ንሙሴ እናኣንበብዎ፡ ኣብ ከከተማኡ ዚሰብክዎ ኣለዉዎ
እሞ፡ ካብ ርኽሰት ጣኦታትን ዝሙትን ካብ ሕኑቕን ደምን ደኣ ኪኽልከሉ፡ ንልኣኽሎም እምበር፡ ነቶም
ካብ ኣህዛብ ናብ ኣምላኽ ዚምለሱ ዘለዉ ኸይነኽብደሎም ይርኣየና ኣሎ። [22] ሽዑ እቶም ሃዋርያትን
ሽማግሌታትን ምስ ብዘላ እታ ማሕበር ኰይኖም ምስ ጳውሎስን በርናባስን ናብ ኣንጾክያ ዚሰድዎም
ሰባት ካብ መንጎኦም ኪሐርዩ ቕኑዕ ኰይኑ ተራእዮም። እቲ በርሳባ ዚበሀል ይሁዳን ሲላስን፡ ኣብ
ማእከል ኣሕዋት ምርኡያት ዝነበሩ ሰባት ከኣ ለኣኹ። [23] ምሳታቶም ድማ እዚ ጽሑፍ እዚ ሰደዱ፡ ንሕና
ሃዋርያትን ሽማግሌታትን ኣሕዋትን ኣብ ኣንጾክያን ኣብ ሶርያን ኣብ ቂልቅያን ካብ ኣህዛብ ንዘሎኹም
ኣሕዋት ሰላም ንብለኩም ኣሎና። [24] ንሕና ዘይኣዘዝናዮም፡ ገለ ኻባታትና ወጺኦም ክትግዘሩን ሕጊ
ኽትሕልዉን ኢሎም፡ ብቓሎም ከም ዝሀወኹኹምን ንልብኹም ከም ዘዕገርገሩን ስለ ዝሰማዕና፡ [25-26]

ምስ እዞም እነፍቅሮም በርናባስን ጳውሎስን፡ ምእንቲ ስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ህይወቶም ኣሕሊፎም ዝሃቡ ሰባት፡ ናባኻትኩም እንሰዶም ሰባት ክንሐሪ ሰሚርና ብሓደ ኼንና መደብና። [27] ስለዚ ይሁዳን ሲላስን፡ ንሳቶም ነዚ ብኣፎም ድማ ኪነግሩኹም፡ ሰዲድናልኩም ኣሎና። [28-29] ብዘይ እቲ እተገብኤ፡ ማለት፡ ንጣኦታት ካብ እተሰውኤን ደምን፡ ካብ ሕኑቕን ዝሙትን ደኣ ኽትክልከሉ እምበር፡ ገለ ሓለፋ ጾር እኳ ኽይንጽዕነኩም፡ ንመንፈስ ቅዱስን ንኣናን ተራእዩና እዩ እሞ፡ ርእስኻትኩም ካብዚ እንተ ሐሎኹም፡ ጽቡቕ ክትረኽቡ ኢኹም። ደሓን ኩኑ። [30] ንሳቶም ምስ ተላእኩ፡ ናብ ኣንጾክያ ወረዱ፡ ነታ ማሕበር ኣኪቦም ከኣ፡ ነታ ደብዳበ ወፈይዋ። [31] ምስ ኣንበብዋ ድማ፡ በቲ ምጽንናዕ ተሐጐሱ። [32] ይሁዳን ሲላስን ግና፡ ንሳቶም ድማ ነብያት እዮም ዝነበሩ እሞ፡ ነቶም ኣሕዋት ብብዙሕ ቃል መዐድዎምን ኣበርትዕዎምን። [33] ሓያሎ መዓልቲ ምሳታቶም ምስ ቀነዩ፡ ካብ ኣሕዋት ብሰላም ተፋንዮም ናብቶም ዝለኣኽዎም ተመልሱ። [34] ሲላስ ግና ኣብኡ ኪተርፍ ደለየ። [35] ጳውሎስን በርናባስን ከኣ ኣብ ኣንጾክያ ደንጐዩ፡ ምስ ብዙሓት ካልኦት ኰይኖምውን ቃል ጐይታ ይምህሩን የበስሩን ነበሩ። [36] ድሕሪ ሓያሎ መዓልቲ ጳውሎስ ንበርናባስ፡ ንዓ፡ ንመለስ እሞ ኣብተን ቃል ጐይታ ዝመሃርናለን ዘበላ ኸተማታት ነቶም ኣሕዋት ንብጽሓዮም፡ ከመይ ኢሎም ከም ዘለዉ ድማ ንርኣዮም፡ በሎ። [37] ሽዑ በርናባስ ነቲ ዮሃንስ ዚብሀል ማርቆስ ከኣ ምሳታቶም ኪማልእዎ ደለየ። [38] ጳውሎስ ግና ነዚ ኻባታቶም ኣብ ጰምፍልያ እተፈልየ፡ ምሳታቶ ከኣ ናብ ዕዮ ዘይመጸ ኺማልእዎ ኣይፈተወን። [39] ብዛዕባዚ፡ ንሓድሕዶም ክሳዕ ዚፋላለዩ፡ ኣብ መንጎኦም ባእሲ ኾነ። በርናባስ ንማርቆስ ሒዙ ናብ ቆጽሮስ ብመርከብ ከደ። [40] ጳውሎስ ግና ንሲላስ ሐረየ፡ እቶም ኣሕዋት ኣብ ጸጋ እግዚኣብሄር ምስ ኣማሕጸንዎ ድማ፡ ነቐለ። [41] ነተን ማሕበር እናጽንዔውን ናብ ሶርያን ናብ ቂልቅያን ዞረ።

## ምዕራፍ 16

[1] ናብ ደርቤን ናብ ልስጥራን ድማ መጸ። እንሆ ኸኣ፡ ጢሞቴዎስ ዚብሃል ወደ መዝሙር፡ ወዲ ሓንቲ ኣማኒት ኣይሁዳዊት ሰበይቲ ኣቦኡ ግና ጽርኣዊ፡ ኣብኡ ነበረ። [2] ንእኡ እቶም ኣብ ልስጥራን ኣብ ኢቆንዮምን ዘለዉ ኣሕዋት ጽቡቕ መስኪሮምሉ ነበሩ። [3] ሽዑ ጳውሎስ ምስኡ ኺወስዶ ፈተወ፡ ኣቦኡ ጽርኣዊ ምዃኑ ኹላቶም ይፈልጡ ነበሩ እሞ፡ ስለ እቶም ኣብተን ዓድታት እቲኣተን ዘለዉ ኣይሁድ ከኣ፡ ወሲዱ ገዘሮ። [4] ኣብ ዘዝኣተውዋ ኸተማ ኸኣ እቲ ሃዋርያትን ሽማግሌታትን ኣብ የሩሳሌም ዝሐገጉሎም ሕጋጋት ኪሕልዉ ኣዘዝዎም። [5] ስለዚ እተን ማሕበር በዚ ኽምዚ ብእምነት ይጸንዓ፡ ቍጽረን ድማ ኣብ ጸጽባሕ ይውስኽ ነበረ። [6] ኣብ እስያ ነቲ ቓል ከይነግሩ፡ መንፈስ ቅዱስ ምስ ከልከሎም፡ ብሃገር ፍርግያን ገላትያን ሐለፉ። [7] ኣብ ሚስያ ምስ በጽሑ፡ ናብ ቢታንያ ኪኸዱ ፈተኑ፡ መንፈስ የሱስ ግና ኣይፈቐደሎምን። [8] ሚስያ ምስ ሐለፉ ኸኣ፡ ናብ ጥሮኣስ ወረዱ። [9] ንጳውሎስ ከኣ ብለይቲ ራእይ ተራእዮ። ብዓል መቄዶንያ ሰብኣይ ከኣ ደው ኢሉ፡ ናብ መቄዶንያ ሕለፍ እሞ ርድኣና፡ እናበለ ይልምኖ ነበረ። [10] ነዚ ራእይ ምስ ረኣየ፡ ወንጌል ክንሰብከሎም ኣምላኽ ከም ዝጸውዓና ተረዲእና፡ ብኡብኡ ናብ መቄዶንያ ኽንከይድ ደሌና። [11] ሽዑ ኻብ ጥሮኣስ ብመርከብ ምስ ከድና፡ ትኽ ኢልና ናብ ሳሙትራኬ ኣቕናዕና። ንጽብሒቱ ኸኣ ናብ ንያጶሊስ ከድና፡ [12] ካብኣ ድማ ናብ ፊልጲ፡ ንሳ ኣብታ ኽፍሊ ሃገር መቄዶንያ ቐዳመይቲ ኸተማን ሓዳስ ግዝኣት ሮሜን እያ። ኣብታ ኸተማ እቲኣ ሓያሎ መዓልቲ ቐኔና። [13] ብመዓልቲ ሰንበት ከኣ ካብ ዓንቀጽ እታ ኸተማ ወጺእና ኣብ ጥቓ እቲ ጸሎት ዚግበሮ ዝነበረ ርባ ተቐሚጥና፡ ነተን እኩባት ኣንስቲ ተዛረብናየን። [14] ልድያ እትብሃል፡ ንኣምላኽ እትፈርህ ሰበይቲ ብዓልቲ

ኸተማ ትያቲራ፡ ሸያጢት ቀይሕ ሃሪ፡ ጽን ትብለና ነበረት። ናብቲ ጳውሎስ ዚብሎ ዝነበረ ኸተድህብ
ከኣ፡ እግዚኣብሄር ልባ ኸፈተላ። [15] ንሳ ምስ ስድራ ቤታ ምስ ተጠምቀት ከኣ፡ ከም ኣማኒት ጐይታ
ርኢኹምኒ እንተ ዄንኩምሲ፡ ናብ ቤተይ ኣቲኹም ተቐመጡ፡ ኢላ ለመነትና ግዲውን በለትና። [16] ኰነ
ድማ፡ ናብቲ ጸሎት ዚግበሮ ኸንከይድ ከሎና፡ መንፈስ ጥንቈላ ዘለዋ ንጐይተታ ኸኣ በቲ ምጥንቋላ
ብዙሕ እተርብሖም ዝነበረት ግዝእቲ ተጓነፈትና። [17] ንሳ ኸኣ፡ እዞም ሰባት እዚኣቶም ባሮት ልዑል
ኣምላኽ እዮም፡ መገዲ ምድሓን ከኣ ይምህሩኹም ኣለዉ፡ ኢላ እናጨደረት፡ ኣስኣሰር ጳውሎስን
ኣስኣሰርናን ሰዐበት። [18] ከምዚ እናበለት ከኣ፡ ብዙሕ መዓልቲ ገበረት። ጳውሎስ ድማ ጒህዩ፡ ግልጽ ኢሉ
ነቲ መንፈስ፡ ካብኣ ኽትወጽእ፡ ብስም የሱስ እእዝዘካ ኣሎኹ፡ በሎ። በታ ጊዜ እቲኣውን ወጸ። [19]
ጐይተታ ድማ ተስፋ ረብሓኦም ከም ዘባተኸ ምስ ረኣዩ፡ ንጳውሎስን ሲላስን ሐዚዎም ናብቶም ሹማት
ከኣ ናብ ዕዳጋ ሰሐብዎም እሞ፡ [20] እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣይሁድ እዮም፡ ንኸተማና ኸኣ የናዕብዋ
ኣለዉ፡ [21] ንሕና ሮማውያን ክንቅበሎን ክንገብሮን ዘይተፈቕደልና ስርዓትውን ይሰብኩ ኣለዉ፡ ኢሎም
ናብቶም ሓላቑ ኣምጽእዎም። [22] እቲ እኩብ ህዝቢ ኸኣ ተላዕሎም፡ እቶም ሓላቑ ድማ ከዳውንቶም
ገፊፎም፡ ብሽመል ኪዘብጥዎም ኣዘዙ። [23] ብዙሕ ምስ ዘበጥዎም ከኣ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተውዎም፡
ነቲ ሓላው እሱራት ድማ ኣጽኒዑ ኺሕልዎም ኣዘዝዎ። [24] ንሱ እዚ ትእዛዝ እዚ ምስ ተቐበለ ኸኣ፡ ናብቲ
ውሽጢ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዎም፡ ኣእጋሮም ከኣ ኣብ ጒንዲ ኣጽኒዑ ኣሰረ። [25] ፍርቂ ለይቲ ምስ ኰነ
ድማ፡ ጳውሎስን ሲላስን ንኣምላኽ እናለመኑ ብዜማ የመስግኑ ነበሩ። እቶም እሱራት ከኣ ይሰምዕዎም
ነበሩ። [26] ብድንገት ድማ፡ መሰረት እታ ቤት ማእሰርቲ ኽሳዕ ዚናወጽ፡ ብርቱዕ ምንድቕዳቕ ምድሪ ኾነ።
ብኡብኡ ኸኣ ኲሉ እቲ መዓጹ ተኸፍተ፡ ናይ ኲላቶም መቓውሕውን ተፈትሐ። [27] እቲ ሓላው እሱራት
ምስ ተበራበረ ኸኣ፡ መዓጹ እታ ቤት ማእሰርቲ ተኸፊቱ ረኣየ። እቶም እሱራት ዝመለቑ መሲልዎ ድማ፡
ሰይፊ መሊሑ ርእሱ ኪቐትል ደለየ። [28] ጳውሎስ ግና፡ ኲላትና ኣብዚ ኣሎና እሞ፡ ኣብ ርእስኻ እከይ
ኣይትግበር፡ እናበለ ዓው ኢሉ ጨደረ። [29] ንሱ ድማ፡ መብራህቲ ሃቡኒ፡ ኢሉ እናጐየየ ኣተወ፡ ራዕራዕ
እናበለውን ንጳውሎስን ንሲላስን ሰገደሎም። [30] ናብ ግዳም ኣውጺኡ ኸኣ፡ ጐይተተይ፡ ምእንቲ
ኽድሕንሲ፡ እንታይ ክገብር ይግብኣኒ፧ በሎም። [31] ንሳቶም ከኣ፡ ብጐይታና የሱስ እመን እሞ ንስኻን
ቤትካን ክትድሕኑ ኢኹም፡ በልዎ። [32] ንእኡን ኣብ ቤቱ ንዘለዉ ኹላቶምን ከኣ ቃል እግዚኣብሄር
ነገርዎም። [33] በታ ሰዓት እቲኣ ብለይቲ ወሲዱ ኣቚሳሎም ሐጸቦም። ሽዑ ንሱ ምስ ኲሎም ስድራ ቤቱ
ተጠምቀ። [34] ናብ ቤቱ ኣደዪቡ ድማ መኣዲ ቐረበሎም፡ ብኣምላኽ ስለ ዝኣመነውን ምስ ኲላቶም ስድራ
ቤቱ ተሐጐሰ። [35] ምድሪ ምስ ወግሔ ግና፡ እቶም ሓላቑ፡ ነቶም ሰባት ፈቲሕካ ስደዶም፡ ኢሎም ገላዉ
ለኣኹ። [36] እቲ ሓላው እሱራት ድማ፡ እቶም ሓላቑ ኽትፍትሖ ልኢኾም ኣለዉ፡ ሕጂ ኸኣ ውጹ
ብሰላምውን ኪዱ፡ ኢሉ ንጳውሎስ እዚ ቓልዚ ነገሮ። [37] ጳውሎስ ግና፡ ንሕና ሮማውያን ክነስናስ፡ ብዘይ
ፍርዲ ብግህዶ ዘቢጦም ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣእተዉና፡ ሕጂ ድማ ብሕቡእዶ ኺሰዱና፧ ባዕላቶም ደኣ
መጺኦም የውጽኡና እምበር፡ እዝስ ከቶ ዘይከውን እዩ፡ በሎም። [38] እቶም ገላዉ ኸኣ እዚ ነገርዚ ነቶም
ሓላቑ ነገርዎም። ንሳቶም ድማ ሮማውያን ምዃኖም ምስ ሰምዑ፡ ፈርሁ። [39] መጺኦም ከኣ ኣቓባጢሮም
ኣውጽእዎም፡ ካብታ ኸተማ ኺግልሱውን ለመንዎም። [40] ሽዑ ኻብ ቤት ማእሰቲ ወጺኦም፡ ናብ ቤት
ልድያ ኣተዉ። ነቶም ኣሕዋት ምስ ረኣይዎም ከኣ፡ መዐድዎም ካብኡውን ሐለፉ።

## ምዕራፍ 17

1 ብኣምፊጶሊስን ብኣጶሎንያን ኣቢሎም ከኣ ናብ ተሰሎንቄ ኣተዉ። ኣብኡውን ቤት ጸሎት ኣይሁድ
ነበረት። 2 ጳውሎስ ከኣ ከምቲ ልማዱ ናባታቶም ኣትዩ፡ ሰለስተ ሰንበት ብጽሑፋት ምሳታቶም
ተዛራረበ፡ 3 ንክርስቶስ ኪስቀን ካብ ምዉታት ኪትንስእን ከም ዚግብኦ፡ እዚ ዝሰብከልኩም ዘሎኹ የሱስ
ከኣ ክርስቶስ እዩ፡ ኢሉ እናተርጐመ ይገልጸሎም ነበረ። 4 ካባታቶም ከኣ ሓያሎ ኣሚኖም፡ ናብ
ጳውሎስን ሲላስን ተጸምበሩ፡ ኣዝዮም ብዙሓት ካብቶም ንኣምላኽ ዚፈርሁ ጽርኣውያን፡ ካብተን
ዓበይቲ ኣንስቲውን ሒደት ዘይኮና ኸምኡ ገበራ። 5 እቶም ዘይኣመኑ ኣይሁድ ከኣ ቀኒኦም፡ ካብቲ ዕዳጋ
እኩያት ሰብ ወሰዱ፡ ህዝቢ ኣኪቦም ድማ ነታ ኸተማ ኣነዐብዋ። ንቤት ያሶን ሓደጋ ወዲቖም ከኣ፡
ናብቶም ህዝቢ ኼውጽእዎም ደለዩ። 6 ምስስኣንዎም ግና፡ ንያሶንን ንሓያሎ ኣሕዋትን ናብቶም
መኳንንቲ እታ ኸተማ ስሒቦም፡ እዞም ንዅሉ ዓለም ዜናዕቡስ ናብዚ ኸኣ መጺኦም፡ 7 ያሶን ከኣ ከም
ኣጋይሽ ተቐቢልዎም ኣሎ፡ ንሳቶም ኵላቶም ምስ ኣዋጅ ቄሳር ዚጻላእ ነገር ይገብሩ፡ የሱስ ዚብሃል ካልእ
ንጉስ ኣሎውን፡ ይብሉ እዮም፡ እናበሉ ጨደሩ። 8 ንሳቶም እዚ ንዝሰምዑ ሰባትን ንመኳንንቲ እታ
ኸተማን ኣዕገርገርዎም። 9 ንያሶንን ነቶም ካልኦትን ዋሕስ ኣትኪሎም ከኣ፡ ሐደግዎም። 10 እቶም ኣሕዋት
ግና ንጳውሎስን ሲላስን ብኡብኡ ብለይቲ ናብ ቤርያ ሰደድዎም። ኣብኣ ምስ በጽሑ ኸኣ፡ ናብ ቤት
ጸሎት ኣይሁድ ኣተዉ። 11 ንሳቶም ድማ ካብቶም ኣብ ተሰሎንቄ ዚነብሩ ዝበለጸ ደግታት ነበሩ።
ንሳቶም፡ እዚ ነገርዚ እስኪ ኸምኡ እንተ ኾይኑ፡ ኢሎም ኣብ ጸጽባሕ ነቲ ጽሑፋት እናመርመሩ፡ ነቲ
ቓል ብዅሉ ፍቓዶም ተቐበልዎ። 12 ስለዚ ብዙሓት ካባታቶምን ካብተን ክቡራት ኣንስቲ ጽርእን
ሰብኡትን፡ ሒደት ዘይኰኑ፡ ኣመኑ። 13 ኣብ ተሰሎንቄ ዝነበሩ ኣይሁድ ከኣ ጳውሎስ ኣብ ቤርያ ድማ
ቓል ኣምላኽ ከም ዝነገረ ምስ ሰምዑ፡ ነቲ ህዝቢ ኺዘርጉን ኬናዕቡን ናብኣውን መጹ። 14 ሽዑ እቶም
ኣሕዋት ንጳውሎስ፡ ክሳዕ ባሕሪ ኪኸይድ፡ ቀልጢፎም ሰደድዎ። ሲላስን ጢሞቴዎስን ግና ኣብኣ
ተረፉ። 15 እቶም ንጳውሎስ ዝወሰዱ ግና ክሳዕ ኣቴና ኣብጽሕዎ እሞ፡ ሲላስን ጢሞቴዎስን ቀልጢፎም
ናብኡ ይስዓብዎ፡ ዚብል ትእዛዝ ሒዞም ናባታቶም ተመልሱ። 16 ጳውሎስ ድማ ኣብ ኣቴና ኺጽበዮም
ከሎ፡ እታ ኸተማ ጣኦታት መሊኣ ምስ ረአየ፡ ብመንፈሱ ተቓጸለ። 17 ስለዚ ኣብ ቤት ጸሎት ምስ
ኣይሁድን ምስቶም ፈራህቲ ኣምላኽን፡ ኲሉ መዓልቲ ድማ ኣብ ዕዳጋ ምስ ዝረኸቦምን ይዛራረብ ነበረ።
18 ሓያሎ ፈሎሶፋት ከኣ ካብ ኤጲቆሬዎስን እስጦይኮስን ምስኡ ጸመዱ። ገሊኦም ከኣ፡ እዚ ዓጃው
እንታይ ኪብል ኰን እዩ ዚደሊ ዘሎ፧ በሉ። ገሊኦም ድማ፡ ብናይ የሱስን ትንሳኤን ስለ ዝሰበኸሎም፡
ብሓደስቲ ኣማልኽቲ ዚምህር ዘሎ ደኣ ይመስል፡ በሉ። 19-20 ጋሻ ነገር ኣብ ኣእዛንና ተስምዓና ኣሎኻ
እሞ፡ እዚ ንስኻ እትዛረቦ ሓዲሽ ትምህርትስ እንታይ ምዃኑ ኽንፈልጦዶ ይከኣለና እዩ፧ እዚ ነገርዚ
እንታይ ምዃኑ ኽንፈልጥ ንደሊ ኣሎና፡ እናበሉ ድማ ሒዞም ናብ ኣርዮስፋጎስ ወሰድዎ። 21 ኲሎም ሰብ
ኣቴናን ኣብኣ ዚነብሩ ጓናትን ብዘይ ንሓድሽ ነገር ምዝራብን ምስማዕን እንተ ዘይኰይኑ፡ ንኻልእሲ ጊዜ
ኣይነበሮምን። 22 ጳውሎስ ግና ኣብ ማእከል ኣርዮስፋጎስ ደው ኢሉ በለ፡ ኣቱም ሰብ ኣቴና፡ ብዅሉ ነገር
ምምላኽ ኣማልኽቲ ኸም እተብዝሑ፡ እርእየኩም ኣሎኹ። 23 እናዞርኩ መቓድስኩም ክርኢ ኸሎኹ፡
ንዘይተፈልጠ ኣምላኽ ዚብል እተጻሕፎ መሰውኢ ረኺብኩ። እምብኣርሲ እዚ ኽይፈለጥኩም
እተምልኽዎ ዘሎኹም፡ ንእኡ ኣነ እነግረኩም ኣሎኹ። 24 እቲ ዓለምን ኣብኣ ዘሎን ዝገበረ ኣምላኽ፡ ንሱ
ጐይታ ሰማይን ምድርን እዩ እሞ፡ ብኢድ ኣብ እተሀንጸ መቓድስ ኣይሐድርን እዩ። 25 ንሱ ህይወትን
ትንፋስን ኲሉ ነገርን ንዅሉ ዚህብ እዩ፡ ገለ ኸም ዜጨንቆ ኢድ ሰብ ኣየገልግሎን እዩ። 26-28 ካብቶም
ተቕነይትኹም ድማ ሓያሎ፡ ንሕና ኻብ ዓሌት ኣምላኽ ኢና፡ ኢሎም ከም ዘለዉ፡ ብእኡ ኢና እንነብርን
እንዋሳወስን ብእኡ ኸኣ ኢና ዘሎና እሞ፡ ንሱ ኻብ ሓደ ሰብ ኣብ ርእሲ ኹላ ምድሪ ኺነብሩ ኹሉ

ዓሌት ሰብ ፈጠረ። ንሱ ኻብ ነፍሲ ወከፍና ዘይረሓቐ ኽነሱ፡ ምናልባሽ ሃሰስ ኢሎም እንተ ረኸብዎ፡
ንኣምላኽ ምእንቲ ኺደልዩ፡ ንመናበሪኦም ድማ ውሱን ዘመናትን ድዉብ ደረትን ሐገገሎም። [29]
እምብኣርስኸ ዓሌት ኣምላኽ ካብ ኰንናስ፡ ኣምላኽ ነቲ ብናይ ሰብ ብልሓትን ሓሳብን እተገብረ ቕርጺ
ወርቂ ወይ ብሩር ወይ እምኒ ኸም ዚመስል፡ ክንሐስቦ ኣይግብኣናን እዩ። [30-31] ኣምላኽ ነቲ ዘመን
ድንቍርና ኣሕሊፉ፡ በቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስኦ እሞ ብእኡ ንዅሉ እምነት እናሃበ ዝመደቦ ሰብኣይ
ንዓለም ብጽድቂ ዚፈርደላ መዓልቲ ወሲኑ ስለ ዘሎ፡ ሕጂ ኣብ ኵሉ ቦታ ንብዘሎ ሰብ ኪንስሑ ይነግር
ኣሎ። [32] ብዛዕባ ትንሳኤ ምዉታት ምስ ሰምዑ ግና፡ ገሊኦም ኣላገጹሉ፡ ገሊኦም ከኣ፡ እዝስ ከም ብሓድሽ
ድማ ክንሰምዓካ ንደሊ ኢና፡ በልዎ። [33] ከምኡ ድማ ጳውሎስ ካብ ማእከሎም ወጸ። [34] ሓያሎ ሰብኡት
ከኣ ሰዐብዎ እሞ ኣመኑ፡ ካባታቶም ድማ እቲ ናይ ኣርዮስፋጎስ መኰንን፡ ድዮኒስዮስን ደማሪስ እትብሀል
ሰበይቲ፡ ከምኡውን ካልኦት ምሳታቶም ነበሩ።

## ምዕራፍ 18

[1] ድሕርዚ ጳውሎስ ካብ ኣቴና ተበጊሱ ናብ ቈረንቶስ መጸ [2] ቅላውዴዎስ ኲሎም ኣይሁድ ካብ ሮሜ
ኺለቑ ኣዘዘ እሞ፡ ሽዑ ቕነ ምስ ሰበይቱ ጵርስኪላ ኻብ ኢጣልያ ዝመጸ ኣኪላስ ዚብሀል ኣይሁዳዊ
ብዓል ጶንጦስ ረኸበ ናባታቶምውን ተጸምበረ። [3] ዕዮኦም ሓደ ስለ ዝነበረ ኸኣ፡ እናዐየየ ምሳታቶም
ተቐመጠ፡ እቲ ዕዮኦም ድማ ምስፋይ ድንኳን ነበረ። [4] ሰንበት ሰንበት ከኣ ኣብ ቤት ጸሎቶም ይዛራረብ፡
ንኣይሁድን ንጽርኣውያንን ድማ የረድኦም ነበረ። [5] ሲላስን ጢሞቴዎስን ካብ መቄዶንያ ምስ ወረዱ፡
ጳውሎስ፡ እቲ የሱስ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ንኣይሁድ እናመስከረ፡ ብዕዮ እቲ ቓል ጸኒዑ ነበረ። [6] ንሳቶም
ምስ ተኻራኸርዎን ምስ ጸረፉን ግና፡ ክዳኑ ነጊፉ፡ ደምኩም ኣብ ርእስኹም ይኹን፡ ኣነ ንጹህ እየ፡ ካብ
ሕጂ ኸኣ ናብ ኣህዛብ ክኸይድ እየ፡ በሎም። [7] ኻብኡ ወጺኡ ድማ፡ ናብቲ ቲትዮስ ዮስጦስ ዚብሃል፡
እግዚኣብሄር ዚፈርህ ሰብኣይ፡ ቤቱ ኸኣ ኣብ ጥቓ ቤት ጸሎቶም ዝነበረት፡ ኣተወ። [8] ክሪስጶስ እቲ
መራሕ ቤት ጸሎት ድማ፡ ምስ ኵሉ ስድራ ቤቱ ብጐይታ ኣመነ። ካብ ሰብ ቈረንቶስውን ብዙሓት
ሰሚዖም ኣመኑን ተጠምቁን። [9-10] ጐይታ ኸኣ ለይቲ ብራእይ ንጳውሎስ ተራእዮ እሞ፡ ኣብዛ ኸተማ
እዚኣ ብዙሕ ህዝቢ ስለ ዘሎኒ፡ ተዛረብ ደኣ እምበር፡ ስቕ ኣይትበል፡ ኣነ ምሳኻ እየ እሞ፡ ክፉእ
ኪገብረካ ዚቕርበካ የልቦን፡ ኣይትፍራህ፡ በሎ። [11] ኣብኡ ቓል ኣምላኽ እናመሃረ ዓመትን ሹድሽተ
ወርሕን ኣብ ማእከሎም ተቐመጠ። [12-13] ጋልዮስ ኣብ ኣካይያ ምስሌንነት ተሸይሙ ኸሎ፡ ኣይሁድ
ሐቢሮም ኣብ ጳውሎስ ተንስኡ፡ እሞ፡ ብዘይ ሕጊ ንኣምላኽ ኬምልኽዎ ንሰብ ይሕባብል ኣሎ፡ እናበሉ
ናብ መጋባእያ ኣምጽእዎ። [14] ጳውሎስ ኣፉ ኪኸፍት ምስ ደለየ ግና፡ ጋልዮስ ንኣይሁድ፡ ኣቱም ኣይሁድ፡
ገለ ዓመጽ ወይስ ገለ ኽፉእ ግብሪ እንተ ዚኸውንሲ፡ ሃዊኤ ኽሰምዓኩም ምተገብኤ ነይሩ። [15] ክርክር
ብዛዕባ ቓልን ስምን ሕግኹምን እንተ ዀነ ግና፡ ኣነ ኣብዚ ነገርዚ ፈራዲ ክኸውን ኣይፈቱን እየ እሞ
ባዕላትኩም ፍለጡ፡ በሎም። [16] ካብቲ መጋባእያውን ሰጐጎም። [17] ኲላቶም ከኣ ንሶስቴነስ መራሕ ቤት
ጸሎት ሒዞም ሐቢሮም ኣብ ቅድሚ መጋባእያ ዘበጥዎ። ጋልዮስ ግና ግዲ እዚ እኳ ኣይነበሮን። [18]
ጳውሎስ ግና ድሕርዚ ሓያሎ መዓልቲ ምስ ተቐመጠ፡ ካብቶም ኣሕዋት ተሳናበተ። መብጽዓ ስለ
ዝነበሮ፡ ኣብ ክንክሬኣ ርእሱ ምስ ተላጸየ ኸኣ፡ ምስ ጵርስኪላን ኣኪላስን ብመርከብ ናብ ሶርያ ኸደ። [19]
ኣብ ኤፌሶን ምስ በጽሑ ኸኣ፡ ንኣታቶም ኣብኡ ሐደጎም። ንሱ ግና ናብ ቤት ጸሎት ኣትዩ ምስቶም
ኣይሁድ ይዛራረብ ነበረ። [20] ንሳቶም ብዙሕ መዓልቲ ምሳታቶም ኪጸንሕ እንተ ለመንዎ ኸኣ፡ ኣበዮም፡

21 በዚ ዚመጽእ በዓል ብዘበልኩ ኣቢለ ኣብ የሩሳሌም ክውዕል ይግብኣኒ እዩ፡ ኣምላኽ እንተ ፈቒዱ ኸኣ፡
ናባታትኩም ክምለስ እየ፡ ኢሉ ተሳናበቶም። ካብ ኤፌሶን ከኣ ብመርከብ ከደ። 22 ኣብ ቂሳርያ በጽሐ፡
ካብኣ ደዪቡ፡ ንማሕበር ሰላም ምስ በለ፡ ናብ ኣንጾክያ ወረደ። 23 ሓያሎ መዓልቲ ኣብኣ ምስ ቀነየ ኸኣ፡
ካብኣ ተበጊሱ ንዅላቶም ደቀ መዛሙርቲ እናጽንዔ፡ ኣብ ሃገር ገላትያን ፍርግያን በብተራ ዞረ። 24 ሓደ
ሊቕ ኣጵሎስ ዝስሙ ኣይሁዳዊ፡ ብዓል እስክንድርያ፡ ብጽሑፋት ከኣ ስልጡን ሰብኣይ፡ ናብ ኤፌሶን
መጸ። 25 መገዲ እግዚኣብሄር ምሁር ነበረ፡ ጥምቀት ዮሃንስ ጥራይ ክነሱ ዚፈልጥሲ፡ ብመንፈስ ሞይቁ
ብዛዕባ ናይ የሱስ ይነግር ኣጸቢቑውን ይምህር ነበረ፡ 26 ንሱ ኣብ ቤት ጸሎት ብትብዓት ኪምህር ጀመረ።
ጵርስኪላን ኣኪላስን ምስ ሰምዕዎ ኸኣ፡ ወሲዶም መገዲ ኣምላኽ ኣጸቢቖም ኣረድእዎ። 27 ናብ ኣካይያ
ኺሐልፍ እንተ ደለየ፡ እቶም ኣሕዋት ኣጸናንዕዎ፡ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ድማ ኪቕበልዎ ጸሐፉሎም።
ኣብኣ ምስ በጽሐ ኸኣ፡ ነቶም ኣመንቲ ብጸጋ ኣምላኽ ብዙሕ ጠቐሞም። 28 የሱስ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ
ብጽሑፋት እናኣርኣየ፡ ንኣይሁድ ኣብ ቅድሚ ዅሉ ብግሁድ ኣጸቢቑ ይረትዖም ነበረ።

# ምዕራፍ 19

1 ኰነ ድማ፡ ኣጵሎስ ኣብ ቈረንቶስ ከሎ፡ ጳውሎስ፡ በቲ ላዕላይ ሃገር ሐሊፉ ናብ ኤፌሶን መጸ፡ ሓያሎ
ደቀ መዛሙርቲ ድማ ረኸበ እሞ፡ 2 ምስ ኣመንኩምሲ፡ መንፈስ ቅዱስዶ ተቐቢልኩም፧ በሎም። ንሳቶም
ከኣ፡ ኣይፋልናን፡ መንፈስ ቅዱስ ከም ዘሎ እኳ ኣይሰማዕናን፡ ኢሎም መለሱሉ። 3 ንሱ ኸኣ፡ ብኣየናይ
ጥምቀት ደኣ ተጠመቕኩም፧ በሎም። ንሳቶምውን፡ ብናይ ዮሃንስ ጥምቀት፡ በልዎ። 4 ሽዑ ጳውሎስ፡
ዮሃንስሲ በቲ ድሕሪኡ ዚመጽእ፡ ማለት ብየሱስ ክርስቶስ፡ ኪኣምኑ፡ ነቶም ህዝቢ እናነገረ ጥምቀት
ንስሓ እዩ ዘጥመቐ፡ በሎም። 5 እዚ ምስ ሰምዑ፡ ብስም ጐይታና የሱስ ተጠምቁ። 6 ጳውሎስ ኢዱ ምስ
ኣንበረሎም ከኣ፡ መንፈስ ቅዱስ ናባታቶም ወረደ። ሽዑ ብቛንቋታት ተዛረቡን ተነበዩን። 7 እቶም ሰባት
ከኣ ኲላቶም ኣስታት ዓሰርተው ክልተ ዚኣኽሉ ነበሩ። 8 ኣብ ቤት ጸሎት ኣኣትዩ፡ ብዛዕባ መንግስቲ
ኣምላኽ እናነገሮምን እናኣረድኦምን፡ ሰለስተ ወርሒ ብትብዓት ይዛራረቦም ነበረ። 9 ሓያሎ ነቲ መገዲ
ኣብ ቅድሚ ህዝቢ እናካፍኡ ምስ ተታረሩን ምእማን ምስ ኣበዩን ግና፡ ካባታቶም ኣግለሰ። ነቶም ደቀ
መዛሙርቲ ፈልዩ ኣብ ጸጽባሕ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጢራኖስ ኰይኑ ይዛራረቦም ነበረ። 10 እዚ፡ ኣብ እስያ
ዝነበሩ ዅሎም ኣይሁድን ጽርኣውያንን ነቲ ቓል ጐይታ ኸሳዕ ዚሰምዕዎ፡ ክልተ ዓመት ምሉእ እናቐጸለ
ኸደ። 11 ኣምላኽ ከኣ ብኢድ ጳውሎስ ብዙሕ በይኑ ዝዀነ ተኣምራት ገበረ፡ 12 መኣረምያኡ ወይስ ክዳኑ
ኻብ ዝባኑ ወሲዶም ኣብቶም ሕሙማት የንብሩ እሞ ሕማሞም ይሐድጎም፡ ርኹሳት መናፍስቲውን
ካባታቶም ይወጹ ነበሩ። 13 ካብቶም ኣስማት እናገበሩ ዚዞሩ ኣይሁድ ከኣ ሓያሎ ነቶም ርኹሳት
መናፍስቲ ዝሐደርዎም፡ በቲ ጳውሎስ ዚሰብኮ የሱስ ነምሕለኩም ኣሎና፡ ኢሎም ስም ጐይታና የሱስ
ኪሰምዩሎም ፈተኑ። 14 እቶም እዚ ዝገበሩውን ሾብዓተ ደቂ ሓደ ኣስቄዋ ዚብሀል ኣይሁዳዊ ሊቀ ኻህናት
እዮም። 15 እቲ ርኹስ መንፈስ ድማ፡ ንየሱስ እፈልጦ፡ ንጳውሎስውን ኣይስሕቶን እየ፡ ንስኻትኩምከ
እንታዎት ኢኹም፧ ኢሉ መለሰሎም። 16 እቲ ርኹስ መንፈስ ዝሐደሮ ሰብኣይ ከኣ ጐየዮም፡ ጥራዮም
ኰይኖም ቈሲሎም ካብታ ቤት ክሳዕ ዚህድሙ ንኽልቲኣ ኻባታቶም ተባራቲዑ ኣሕመቖም። 17 እዚ ነገርዚ
ኣብቶም ኣብ ኤፌሶን ዚነብሩ ኣይሁድን ጽርኣውያንን ኲላቶም ተፈልጠ። ንዅላቶምውን ፍርሃት
ወደቖም፡ ስም ጐይታና የሱስ ከኣ ተመስገነ። 18 ካብቶም ዝኣመኑ ኸኣ ብዙሓት ነቲ ዝገበርዎ
እናተኣመኑን እናነገሩን መጹ። 19 ብዙሓት ጠንቈልቲ ድማ መጻሕፍቶም ኣኪቦም ኣብ ቅድሚ ዅሉ

ኣንደድዎ። ዋጋኡ እንተ ተጸብጸበ ኸኣ፡ ሓምሳ ሽሕ ድሪም ኰይኑ ተረኸበ። 20 ቃል ጐይታውን ከምዚ
ኢሉ ብሓይሊ ዐበየን በርትዔን። 21 እዚ ነገርዚ ምስ ተወድአ፡ ጳውሎስ ብመቄዶንያን ብኣካይያን ሐሊፉ
ናብ የሩሳሌም ኪኸይድ ብመንፈስ ሐሰበ እሞ፡ ኣብኡ ምስ በጻሕኩውን፡ ንሮሜ ድማ ክርእያ የድልየኒ
እዩ፡ በለ። 22 ክልተ ኻብቶም ደገፍቱ፡ ጢሞቴዎስን ኤራስጦስን፡ ናብ መቄዶንያ ሰደዶም፡ ንሱ ግና ኣብ
እስያ ሓያሎ ወርሓት ጸንሐ። 23 በቲ ቕንቲ ብዛዕባ እዚ መገዲዚ ብዙሕ ዕግርግር ኰነ። 24 ድሜጥሮስ
ዚብሀል ሓደ ንኣርጤምስ ዚኸውን መቕደስ ብሩር ዚሰርሕ ኣንጠረኛ ነቶም ኣንጠረኛታት ብዙሕ
የርብሓም ነበረ። 25 ነዚኣቶምን ነቶም ብዕዮኦም ዚሐብርዎምን ኣኪቡ ኸኣ፡ ከምዚ በሎም፡ ኣቱም ሰባት፡
ጥቕምና ኻብዚ ስራሕዚ ምዃኑ ትፈልጡ ኢኹም። 26 እዚ ጳውሎስ፡ እዚም ብኢድ ዚግበሩስ
ኣማልኽቲ ኣይኰኑን፡ እናበለ ኣብ ኤፌሶን ጥራይ ዘይኰነስ፡ ዳርጋ ኣብ ኲላ እስያ ንብዙሓት ሰባት ከም
ዘስድዔን ከም ዘዕለወን፡ ትርእዩን ትሰምዑን ኢኹም። 27 እታ ዂላ እስያን ብዘላ ዓለምን ዘምልኻኣ
ዓባይ ኣርጤምስ፡ መቕደሳ ኸም ከንቱ ኺይቝጸር ክብረታውን ኪይሰዐር እምበር፡ ስራሕና ኺይንዓቕ
ጥራይ ኣይኰነን ዜፍርሀና ዘሎ። 28 እዚ ምስ ሰምዑ፡ ኲራ መልኦም እሞ ዓው ኢሎም፡ ኣርጤምስ ሰብ
ኤፌሶን ዓባይ እያ፡ እናበሉ ጨደሩ። 29 ኣብታ ኸተማ ድማ ዕግርግር ኰነ፡ ንጋይዮስን ኣርስጣርኮስን፡
ሰብ መቄዶንያ ብጾት ጳውሎስን፡ እናሰሐቡ ሐቢሮም ናብታ ስፍራ ጓይላ ጐየዩ። 30 ጳውሎስ ኣብ
ማእከል እቶም ህዝቢ ኺኣቱ እንተ ደለየ ኸኣ፡ እቶም ደቀ መዛሙርቲ ኸልከልዎ። 31 ካብቶም ፈተውቱ
ዝነበሩ ዓበይቲ እስያ ገሊኦም ከኣ፡ ናብታ ስፍራ ጓይላ ኺይመጽእ፡ ልኢኾም ለመንዎ። 32 እቶም ኣኼባ
ዝርግርግ ኢሎም ነበሩ እሞ፡ ዚበዝሑስ ብዛዕባ እንታይ ከም እተኣከቡ እኳ ኣይፈልጡን ነበሩ፡ ስለዚ
ገሊኦም ከምዚ ገሊኦምውን ከምቲ ኢሎም ይጭድሩ ነበሩ። 33 ኣይሁድ ንእስክንድሮስ ንቕድሚት ገጾም
ምስ ደፍእዎ ኸኣ፡ እቲኣቶም ካብ ማእከል እቶም ሰባት ሰሐብዎ። እስክንድሮስ ከኣ ነቶም ህዝቢ
ኺምጕተሎም ደልዩ ብኢዱ ኣመልከተ። 34 ኣይሁዳዊ ምዃኑ ምስ ፈለጡ ግና፡ ናይ ሰብ ኤፌሶን
ኣርጤምስ ዓባይ እያ፡ እናበሉ፡ ኲላቶም ብሓደ ቓል ኰይኖም ክልተ ሰዓት ዚኣክል ጨደሩ። 35 እቲ
ናይታ ኸተማ ጸሓፊ ነቶም ህዝቢ ኣህዲኡ በለ፡ ኣቱም ሰብ ኤፌሶን፡ ከተማ ኤፌሶን ነቲ መቕደስ እታ
ዓባይ ኣርጤምስን ነቲ ኻብ ሰማይ ዝወረደ ምስላን ከም እትሕሉ ዘይፈልጥ ሰብ እንታዋይ እዩ፧ 36
እምብኣርሲ እዚ ኣሉ ዘይብሃል ነገር ካብ ኰነ፡ ክትሃድኡ ብታህዋኽውን ሓደ ነገር ከይትገብሩ
ይግብኣኩም እዩ። 37 እዚም ሰባት እዚኣቶም መቕደስኩም ከይሰረቑ ንኣምላኽኩምውን ከይጸረፉ ኢኹም
ኣምጺእኩምዎም ዘሎኹም። 38 ዲሜጥሮስን እቶም መሳርሕቱን ግና ገለ ነገር እንተ ኣለዎም፡ መዓልቲ
መጋባእያን ምስሌነታትን ኣለውዎም፡ ነንሓድሕዶም ይካሰሱ። 39 እዚ እተልዕልዎ ዘረባ ስለ ኻልእ ነገር
እንተ ዀይኑ ኸኣ፡ ኣብቲ ስሩዕ ዋዕላ ይቝረጽ። 40 በዚ ዕግርግር እዚ እንመልሶ ምኽንያት ስለ ዜብልና፡
በዚ ሎሚ ዝዀነ ታዕታዕ እኳ ኺይንኽሰስ ንፈርህ ኣሎና። 41 ከምዚ ኢሉ ነቲ ኣኼባ በተኖ።

## ምዕራፍ 20

1 እቲ ታዕታዕ ምስ ዓረፈ፡ ጳውሎስ ነቶም ደቀ መዛሙርቲ ጸዊዑ መዓዶም፡ ተሳናቢትዎም ከኣ ናብ
መቄዶንያ ኪኸይድ ነቕለ። 2 ብብዙሕ ቃል እናመዓዶም ከኣ፡ ነቲ ሃገር ዞይሩ ናብ ጽርኢ መጸ። 3 ኣብኣ
ሰለስተ ወርሒ ምስ ገበረ፡ ናብ ሶርያ ብመርከብ ኪኸይድ ሐሲቡ ኸሎ፡ ኣይሁድ ውዲት ስለ ዝገበሩሉ፡
ብመቄዶንያ ገይሩ ኺምለስ ምኽሩ ቈረጸ። 4 ክሳዕ እስያ ኸኣ እኒ ሶጳጥሮስ፡ ወዲ ጲሮስ ብዓል ቤርያን፡
ኣርስተርኮስን ሴኮንዶስን፡ ሰብ ተሰሎንቄ፡ ጋይዮስ ብዓል ደርቤን ጢሞቴዎስን ካብ እስያ ኸኣ ትኪቆስን

ጥሮፊሞስን ኣሰነይዎ። [5] እዚኣቶም ቅድሜና ሐሊፎም ኣብ ጥርኣስ ተጸበዩና። [6] ንሕና ግና ድሕሪ በዓላት
ቅጫ ካብ ፊልጲ ብመርከብ ነቚልና ብሓሙሽተ መዓልቲ ኣብ ጥሮኣስ ናባታቶም በጻሕና፡ ኣብኣውን
ሾብዓተ መዓልቲ ቐኔና። [7] ብቐዳመይቲ መዓልቲ ሰሙን፡ እንጌራ ኽንቈርስ ተኣኪብና ኸሎና፡ ጳውሎስ
ንጽብሒቱ ኺብገስ ሐሲቡስ ይዛረቦም ነበረ፡ ዘረባኡ ድማ ክሳዕ ፈረቓ ለይቲ ኣንውሐ። [8] ኣብቲ
ተኣኪብናሉ ዝነበርና ላዕላይ ደርቢ ብዙሕ መብራህትታት ይበርህ ነበረ። [9] ኣውጢኮስ ዝስሙ ጐበዝ
ኣብ መስኰት ተቐሚጡ ኸሎ፡ ከቢድ ድቃስ ወሰዶ። ጳውሎስ ዘረባኡ ምስ ኣንውሐ ኸኣ፡ ድቃስ
ከቢድዎ፡ ካብ ሳልሰይቲ ደርቢ ናብ ታሕቲ ወደቐ፡ ሞይቱ ድማ ኣልዐልዎ። [10] ጳውሎስ ወሪዱ ኣብ
ልዕሊኡ በጥ በለ፡ ሐቝፍዎ ኸኣ፡ ነፍሱ ኣብኡ ኣላ እሞ፡ ዋይዋይ ኣይትበሉ፡ በሎም። [11] ደዪቡ ድማ
እንጌራ ቈሪሱ በልዔ፡ ክሳዕ ምድሪ ዚወግሕ ብዙሕ ምስ ተዛረቦም ከኣ፡ በዚ ኸምዚ ካብኡ ነቐለ። [12]
ነቲ ወዲ ኸኣ ብህይወቱ ኣምጽእዎ እሞ ኣዝዮም ተጸናንዑ። [13] ንሕና ቐድም ኣብ መርከብ ኣቶና፡
ጳውሎስ ምድሪ ምድሪ ኪኸይድ ደልዩ፡ ንእኡ ኽንቅበሎ ሐሲብና፡ከምኡ ኣዚዙና ነበረ እሞ፡ንኣሶስ
ኣቢልና ሐለፍና። [14] ኣብ ኣሶስ ምስ ተራኸብና፡ ተቐቢልናዮ ናብ ሜጢሌኔ መጻእና። [15] ንጽብሒቱ ኸኣ
ካብኣ ብመርከብ ጌርና ኣብ መንጽር ክዮስ በጻሕና፡ በታ ኻልኣይቲ መዓልቲ ድማ ነታ መርከብ ኣብ
ሳሞስ ኣቘምናያ፡ ንጽብሒቱ ድማ ኣብ ሚሊጦስ ኣቶና። [16] እንተ ኾይኑሉስ፡ ጳውሎስ ንበዓል ሓምሳ
ኣብ የሩሳሌም ኬብዕል ተሀዊኹ ነበረ እሞ፡ ኣብ እስያ ምእንቲ ኸይድንጕ ኢሉ፡ ናብ ኤፌሶን ከይኣቱ
ምኽሩ ወድኤ። [17] ካብ ሚሊጦስ ናብ ኤፌሶን ልኢኹ፡ ነቶም ሽማግሌታት ማሕበር ናብኡ ጸውዖም። [18]
ናብኡ ምስ መጹ ኸኣ በሎም፡ ካብታ ናብ እስያ ዝኣቶኹላ ቐዳመይቲ መዓልቲ ጀሚሩ ኹሉ ጊዜ
ምሳኻትኩም ከመይ ከምዝነበርኩ፡ ንስኻትኩም ትፈልጡ ኢኹም። [19] ብኹሉ ትሕትናን ብብዙሕ
ንብዓትን ብውዲት ኣይሁድ ብዝበጽሓኒ ፈተናን ንጐይታ ኸመይ ገይረ ኸም ዘገልገልክዎ፡ [20-21]
ንኣይሁድን ንጽርኣውያንን ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከኣ ኪኣምኑ
እናመስከርኩ፡ ዚጠቅም ዘበለ እናሰበኽኩልኩም ኣብ ዋዕላ ኾነ ኣብ ቤት ኲነ ምምሃርኩም ከቶ
ኣየብኰርኩን። [22-23] ሕጂ ግና እንሆ፡ ኣነ ብመንፈስ ተኣሲረ ናብ የሩሳሌም እኸይድ ኣሎኹ፡ ብዘይ እታ፡
መንፈስ ቅዱስ፡ ማእሰርትን ጸበባን ኪጸንሓካ እዩ፡ እናበለ ኣብ ከከተማኡ ዚምስክረለይ ዘሎ እንተ
ዘይኰይናስ፡ ኣብ የሩሳሌም እንታይ ከም ዚረኽበኒ ኣይፈልጥን እየ። [24] ጕያይን ብጐይታና የሱስ
እተቐበልክዋ መልእኽተይን ክፍጽም፡ ወንጌል ጸጋ ኣምላኽ እናመስከርኩ ህይወተይውን ብኣይሲ ኸም
ክብርቲ ገይረ ኣይርእያን እየ። [25] ሕጂ ድማ እንሆ፡ ንስኻትኩም ኲላትኩም፡ እናዞርኩ መንግስቲ ኣምላኽ
ዝሰበኽኩልኩም፡ ደጊም ገጸይ ከም ዘይትርእዩ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። [26-27] ኲሉ ምኽሪ ኣምላኽ ነገርኩኹም
እምበር፡ ዘትረፍኩልኩም የብለይን እሞ፡ ካብ ደም ኲልኻትኩም ንጹህ ምዃነይ ሎም መዓልቲ
እምስክረልኩም ኣሎኹ። [28] ስለዚ ንርእስኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማሕበር ጐይታን ክትጓስዩ፡
መንፈስ ቅዱስ ኤጲስቆጶሳት ገይሩ ኣብኣ ዝሸመኩም ኲሉ መጓሰ ሐልዉ። [29] ኣነ ምስ ኣግለስኩ፡ ነቲ
መጓሰ ዘይንሕፉ እኩያት ተዃሉ ኸም ዚኣትዉኹም፡ እፈልጥ ኣሎኹ። [30] ንደቀ መዛሙርቲ ደድሕሪኦም
ምእንቲ ኺስሕቡ፡ ቄናን ነገር ዚምህሩ ኻባኻትኩም ኪትንስኡ እዮም። [31] ስለዚ ሰለስተ ዓመት ምሉእ
ለይትን መዓልትን ብንብዓት ንነፍሲ ወከፍኩም ምምዓድ ከም ዘየብኰርኩ፡ እናዘከርኩም ንቕሑ። [32]
ሕጂ ድማ ንኣምላኽን ነቲ ኺህንጸኩምን ምስ ኲላቶም ቅዱሳን ኬረስትየኩምን ዚኽእል ቃል ጸጋኡን
ኤማሕጽነኩም ኣሎኹ። [33] ብሩር ኰነ ወይ ወርቂ ወይ ክዳን ካብ ሓደ እኳ ኣይደለኹን። [34] ንኣይን ነቶም
ምሳይ ዚነብሩን እዘን ኣእዳወይ ከም ዘገልግላ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። [35] ነቲ ጐይታና የሱስ
ባዕሉ፡ ካብ ምቕባልሲ ምሃብ ኣዝዩ ይባርኽ፡ ዝበሎ ቓል እናዘከርካ፡ ከምዚ ጌርካ፡ ምዕያይን ንድኹማት

ምእላይን ከም ዚግባእ፡ ብዅሉ ኣርኤኹኹም። 36 እዚ ምስ በለ ኸኣ፡ ተምበርኪኹ ምስ ኲሎም ሐቢሩ
ጸለየ። 37 ኲላቶም ከኣ ብዙሕ በኸዩ፡ ንጳውሎስ ድማ ብኽሳዱ ሐኒቖም ሰዐምዎ። 38 ካብ ኲሉ ኸኣ
ስለቲ፡ ደጊምሲ ገጸይ ኣይክትርእዩን ኢኹም፡ ዝበሎ ቓል ኣዝዮም ጕሃዩ። ክሳዕ እታ መርከብውን
ኣፋነውዎ።

## ምዕራፍ 21

1 ኰነ ድማ፡ ካባታቶም ተፈሊና ብመርከብ ምስ ተበገስና፡ መገድና ኣቕኒዕና ናብ ቆስ መጻእና፡
ንጽብሒቱ ኸኣ ንሮዶስ፡ ካብኣውን ናብ ጳጥራ ኣቶና። 2 ናብ ፊንቄ እትኸይድ መርከብ ምስ ረኸብና
ኸኣ፡ ብእኣ ጌርና ነቐልና። 3 ንቆጵሮስ ኣማዕዲና ርኢናያስ፡ ንጸጋምና ሐዲግናያ ናብ ሶርያ ኣበልና። ጽዕነት
እታ መርከብ ኣብ ጢሮስ ዚራገፍ ነበረ እሞ፡ ናብኣ ኣቶና። 4 ደቀ መዛሙርቲ ረኺብናስ፡ ኣብኣ ሾብዓተ
መዓልቲ ቐኔና እሞ፡ ንሳቶም ብመንፈስ ተደሪኾም፡ ንጳውሎስ ናብ የሩሳሌም ከይድይብ ነገርዎ። 5 ኰነ
ኸኣ፡ እተን መዓልትታት እቲኣተን ምስ ኣሕለፍና፡ ክንከይድ ወጻእና። ኲላቶም ድማ ምስ ኣንስቶምን
ደቆምን ኰይኖም ክሳዕ ወጻኢ እታ ኸተማ ኣፋነዉና፡ ኣብቲ ገምገም ባሕሪ ኈንና ኸኣ ተምበርኪኽና
ጸሌና። 6 ንሓድሕድና ደሓን ውዐሉ ተባሃሂልና ኸኣ፡ ናብታ መርከብ ደየብና፡ ንሳቶምውን ነንገዛኦም
ተመልሱ። 7 ንሕና ግና ብመርከብ ምኻድ ምስ ወዳእና፡ ካብ ጢሮስ ናብ ጵቶልማዮስ በጻሕና፡ ነቶም
ኣሕዋት ሰላም ኢልና ኸኣ፡ ምሳታቶም ሓንቲ መዓልቲ ወዐልና። 8 ንጽብሒቱ ኻብኣ ወጺእና ናብ ቂሳርያ
መጻእና፡ ኣብ ቤት ፊልጶስ ወንጌላዊ፡ ካብቶም ሾብዓተስ ሓደ ዝነበረ፡ ኣቲና ኣብኣ ቐኔና። 9 ንሱ ትንቢት
ዚንበያ ኣርባዕተ ደናግል ኣዋልዱ ነበራኦ። 10 ሓያሎ መዓልቲ ምስ ገበርና፡ ኣጋቦስ ዝስሙ ነብዩ ኻብ
ይሁዳ ወረደ። 11 ናባና መጺኡ ኸኣ፡ ቅናት ጳውሎስ ወሲዱ፡ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ብእኡ ተኣሰረ እሞ፡
ንዋና እዛ ቕናት እዚኣ ኣይሁድ ኣብ የሩሳሌም ከምዚ ገይሮም ኣሲሮም ናብ ኢድ ኣህዛብ ኣሕሊፎም
ኪህብዎ እዮም፡ ይብል መንፈስ ቅዱስ፡ በለ። 12 እዚ ምስ ሰማዕና፡ ንሕናን እቶም ደቂ እታ ዓድን ናብ
የሩሳሌም ከይድይብ ንጳውሎስ ለመንናዮ። 13 ሽዑ ጳውሎስ፡ ኣቱም እትበኽዩን ንልበይ እትሰብሩን፡
እንታይ ትገብሩ ኣሎኹም፧ ኣነ ምእንቲ ስም ጐይታና የሱስ ኣብ የሩሳሌም ንሙማት ድማ እምበር፡
ንማእሰርቲ ጥራይ እኳ ኣይኰንኩን ተዳልየ ዘሎኹ፡ ኢሉ መለሰሎም። 14 ምስማዕ ምስ ኣበየና ኸኣ፡
ፍቓድ ጐይታ ይኹን፡ ኢልና ህዳእና። 15 ድሕርዚ ቕነዚ ተዳሊና ናብ የሩሳሌም ደየብና። 16 ሓያሎ ደቀ
መዛሙርቲ ኸኣ ካብ ቂሳርያ ምሳና መጹ፡ ናብ ምናሶን፡ ብዓል ቆጵሮስ ናይ ቀደም ወደ መዝሙር፡
ክንኣቱውን መርሑና። 17 ናብ የሩሳሌም ምስ መጻእና ኸኣ፡ እቶም ኣሕዋት ብሓጐስ ተቐበሉና። 18
ንጽብሒቱ ጳውሎስ ምሳና ናብ ያእቆብ በጽሔ፡ ኲላቶም እቶም ሽማግሌታት ከኣ ኣብኡ ተኣከቡ። 19
ሰላም ምስ በሎም ከኣ፡ በገልግሎቱስ ኣምላኽ ኣብ ኣህዛብ ዝገበሮ በብሓደ ተር ኣቢሉ ነገሮም። 20 እዚ
ምስ ሰምዑ፡ ንኣምላኽ ኣመስገኖም በልዎ፡ ዎ ሓውና፡ ካብ ኣይሁድ ክንደይ ኣእላፋት ከም ዝኣመኑ
ትርኢ ኣሎኻ፡ ኲላቶም ከኣ ብዛዕባ ሕጊ ቕንኣት ኣለዎም። 21 ኣብ ማእከል ኣህዛብ ንዘለዉ ዅላቶም
ኣይሁድ ከኣ ካብ ሙሴ ኺርሕቁ ደቆም ከይግዘሩ ብስርዓቶምውን ከይነብሩ ኢልካ ኸም እትምህር፡
ሰሚዖምልካ ኣለው። 22 ምምጻእካ ሰሚዖም ዅላቶም ከይተኣከቡ ኣይተርፉን እዮም፡ እሞኸ እንታይ
ይገበር፧ 23 እምብኣርከ እዚ እንብለካ ግበር፡ መብጽዓ ዘለዎም ኣርባዕተ ሰብኣይ ኣለዉና፡ 24 ተማልኣዮም
እሞ ምሳታቶም ንጻህ፡ ርእሶም ኪላጸዩውን ኣብ ክንድኦም ዕደየሎም። ሽዑ ንስኻ ባዕልኻ እኳ ሕጊ
እናሐሎኻ ኸም እትመላለስን እዚ ብዛዕባኻ ዝሰምዕዎ ዘበለ ኸንቱ ምዃኑን ኲላቶም ኪፈልጡ እዮም።

25 ብዛዕባ እቶም ዝኣመኑ ኣህዛብ ግና ተማኺርና፡ ንጣኦታት እተሐርደን ንደምን ንሕኑቕን ንዝሙትን
ኪሐርሙ እዚዝናዮም ኣሎና። 26 ሽዑ ጳውሎስ ነቶም ሰባት ሒዙ ንጽብሒቱ ምሳታቶም ምስ ነጽሄ፡
ነፍሲ ወከፎም መስዋእቲ ምእንቲ ኬቕርቡ፡ መዓልቲ ምንጽሆም ከም ዝመልኤ ኺነግር ናብ ቤት
መቕደስ ኣተወ። 27 እተን ሾብዓተ መዓልቲ ኺውድኣ ምስ ቀረባ ኸኣ፡ ካብ እስያ ዝመጹ ኣይሁድ ኣብ
ቤተ መቕደስ ምስ ረኣይዎ፡ ንዅሉ እቲ ህዝቢ ኣናዓቡም፡ ኣእዳዎም ዘርጊሖም ሐዝዎ እሞ፡ 28 ኣቱም
ሰብ እስራኤል፡ ንዑ ደግፉና፡ እቲ ኣብ ፍቕዳ ሃገር ምስ እዚ ህዝቢ እዝን ምስ እዚ ሕጊ እዝን ምስ እዛ
ስፍራ እዚኣን ዘይላገብ ንዅሉ ሰብ ዚምህር ሰብኣይ እዚ እዩ፡ ኣብ ርእሲ እዚ ድማ ጽርኣውያን ናብዛ
መቕደስ እዚኣ ኣእትዩ፡ ነዛ ቅድስቲ ስፍራ ኣርኪሰዋ፡ ኢሎም ጨደሩ። 29 ቅድም ንጥሮፊሞስ ብዓል
ኤፌሶን ምስኡ ኣብ ከተማ ርእዮምዎ ነበሩ እሞ፡ ጳውሎስ ኣብታ መቕደስ ዘእተዎ መሲልዎም ነበረ። 30
ብዘላ እታ ኸተማ ከኣ ኣዕገርገረት፡ ህዝቢ ድማ ተኣከበ፡ ንጳውሎስ ሒዞም ካብ መቕደስ ንወጻኢ
ሰሐብዎ፡ ብኡብኡውን ነቲ መዓጹ ሸጐርዎ። 31 ኪቕትልዎ ምስ ደለዩ ድማ፡ የሩሳሌም ብዘላ ኸም
እተነዐበት፡ ኣብቲ ሓለቓ ሽሕ ወረ በጽሖ። 32 ሽዑ ጭፍራ ምስ ሓላቑኣም ሒዙ ናባታቶም ጐየየ፡ ነቲ
ሓለቓ ሽሕን ጭፍራኡን ምስ ረኣዩ ኸኣ፡ ንጳውሎስ ምዝባጡ ሐደጉ። 33 ድሕርዚ እቲ ሓለቓ ሽሕ ቀሪቡ
ኣትሐዞ፡ ብኽልተ መቓሕ ኪኣስርዎ ኸኣ ኣዘዘ፡ መን ምዃኑን እንታይ ከም ዝገበረን ሐተተ። 34
እቶም ህዝቢ ዓው ኢሎም፡ ገሊኦም ከምዚ ገሊኦምውን ከምቲ ይብሉ ነበሩ። ብምኽንያት እቲ ጭራሕ
ምራሕ ርግጹ ምፍላጥ ምስ ሰኣነ ኸኣ፡ ናብ ሰፈር ኬብጽሕዎ ኣዘዘ። 35-36 ብዙሕ ህዝቢ ኸኣ፡ ንየው
በሎ፡ ኢሉ እናጨደረ ይስዕብ ነበረ እሞ፡ ኣብቲ መደያይቦ ምስ በጽሐ። እቲ እኩብ ህዝቢ ምእንቲ
ኸይሀስዮ ኢሎም፡ እቶም ጭፍራ ተሰከምዎ። 37 ናብ ሰፈር ኬእትውዎ ምስ ደለዩ ድማ፡ ጳውሎስ ነቲ
ሓለቓ ሽሕ፡ ክዛረበካዶ ትፈቕደለይ ኢኻ፧ በሎ። ንሱ ኸኣ፡ ዘረባ ጽርኢዶ ትፈልጥ ኢኻ፧ 38 ቅድሚ እዚ
ወርሒ እዚ ኣናዒብካስ፡ ኣርባዕተ ሽሕ ቀተልቲ ነፍሲ ናብ በረኻ ዘውጻእካ ግብጻዊዶ ንስኻ ኣይኰንካን፧
በሎ። 39 ጳውሎስ ግና፡ ኣነስ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ፡ ብዓል ጠርሴስ ናይ ቂልቅያ፡ ወዲ እታ ስምይቲ ኸተማ
እየ፡ ንህዝቢ ኽዛረብ ክትፈቕደለይ፡ እልምነካ ኣሎኹ፡ በለ። 40 ሽዑ ጳውሎስ፡ ምስ ተፈቕደሉ፡ ኣብቲ
መደያይቦ ደው ኢሉ ነቶም ህዝቢ ብኢዱ ኣመልከቶም፡ ጸጥ ምስ በሉ ኸኣ፡ ብቛንቋ እብራይስጢ
ተዛረቦም፡ ከምዚ ኢሉ፡

## ምዕራፍ 22

1 ኣቱም ኣቦታተይን ኣሕዋተይን፡ እዚ ሕጂ ኣባኻትኩም ዝመጻረየሉ ነገር ስምዑኒ። 2 ብቛንቋ
እብራይስጢ ኺዛረብ ምስ ሰምዕዎ፡ ኣዝዮም ጸጥ በሉ። ንሱ ኸኣ በለ፡ 3 ኣነስ ኣብ ጠርሴስ ናይ ቂልቅያ
እተወለድኩ ኣይሁዳዊ ሰብኣይ እየ። ሕጊ ኣቦታት ኣጸቢቐ እናተመሀርኩ ኸኣ፡ ኣብዛ ኸተማ እዚኣ ኣብ
ትሕቲ እግሪ ገማልኤል እየ ዝዐቤኹ። ከምዚ ኹላትኩም ሎም ዘሎኹምዎ ኸኣ፡ ብናይ ኣምላኽ ቀናእ
ኰንኩ። 4 ሰብኡትን ኣንስትን ኣኣሲረ፡ ናብ ቤት ማእሰርቲ ኣሕሊፈ እናሀብኩ፡ ነዛ መገዲ እዚኣ ኽሳዕ
ሞት ሰጒጒክዋ። 5 ምእንቲ ኪቕጽዑ ኸኣ ንኣታቶም ኣኣሲረ ናብ የሩሳሌም ከምጽኦም፡ እቲ ሊቀ
ኻህናትን ኲላቶም ዓበይቲ፡ ካባታቶም ነሕዋት ደብዳቤታት ተቐቢለ፡ ናብ ደማስቆ ምኻደይ
ይምስክሩለይ እዮም። 6 ኰነ ድማ፡ ክኸይድ ከሎኹ፡ ናብ ደማስቆ ምስ ቀረብኩ፡ ኣጋ ቐትሪ ብድንገት
ካብ ሰማይ ዓብዪ ብርሃን ኣብርሃለይ። 7 ኣብ ምድሪ ኸኣ ወደቕኩ፡ ሳውል፡ ሳውል፡ ንምንታይ እትሰጒኒ፧
ዚብለኒ ድምጺውን ሰማዕኩ። 8 ኣነ ድማ፡ ጐይታይ፡ ንስኻ መን ኢኻ፧ ኢለ መለስኩሉ። ንሱውን ኣነ እቲ

ንስኻ እትሰጎ ዘሎኻ የሱስ ናዝሬታዊ እየ፡ በለኒ። 9 እቶም ምሳይ ዝነበሩ ነቲ ብርሃን ረኣይዎ፡ ናይቲ
ዚዛረበኒ ዝነበረ ድምጺ ግና ኣይሰምዑን። 10 ሽዑ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ እንታይ እግበር፧ በልክዎ። ጐይታ
ድማ፡ ተንሲእካ ናብ ደማስቆ እቶ፡ እቲ ኽትገብሮ እተሰርዓልካ ዘበለ ኸኣ ኣብኣ ኺነግሩኻ እዮም፡
በለኒ። 11 ብምንጽብራቕ እቲ ብርሃን ምርኣይ እንተ ሰኣንኩ ድማ፡ እቶም ምሳይ ዝነበሩ መሪሖም ናብ
ደማስቆ ኣእተዉኒ። 12 ሃናንያ ዚብሀል፡ ከም ሕጊ ገይሩ ንእግዚኣብሄር ዚፈርሀ፡ ኣብኣ ዚነብሩ ኹላቶም
ኣይሁድ ጽቡቕ ምስክር ዝመስከሩሉ ሰብኣይ፡ 13 ናባይ መጺኡ ኣብ ጥቓይ ደው ኢሉ፡ ሳውል ሓወይ፡
ርአ፡ በለኒ። ኣነ ድማ ብኡብኡ ርኤኹ እሞ ጠመትክዎ። 14-15 ንሱ ኸኣ፡ ኣምላኽ ኣቦታትና ብዝርኤኻዮን
ብዝሰማዕካዮን ኣብ ኲሉ ሰብ ምስክር ምእንቲ ኽትኰኖን፡ ፍቓዱ ኽትፈልጥን ነቲ ጻድቕ ከኣ
ክትርእዮን ካብ ኣፉውን ቃል ክትሰምዕ ቅድም ሐረየካ። 16 ሕጂኸ ንምንታይ እትድንጒ፧ ተንሲእካ
ተጠመቕ፡ ስም ጐይታ ጸዊዕካ ኻብ ሓጢኣትካ ተሐጸብ፡ በለኒ። 17 ኰነ ድማ፡ ናብ የሩሳሌም ተመሊሰ፡
ኣብ መቕደስ ኰይነ ኽጽሊ ኸሎኹ፡ ተመሰጥኩ እሞ፡ 18 ነቲ ብዛዕባይ እትምስክሮ ኣይቅበሉኻን እዮም፡
ስለዚ ኻብ የሩሳሌም ቀልጢፍካ ውጻእ፡ ኪብለኒ ኸሎ ርኤኽዎ። 19 ኣነ ኸኣ፡ ጐይታይ፡ ኣነ ነቶም ብኣኻ
ዚኣምኑ እኣስሮምን ኣብ ቤት ጸሎት እወቕዖምን ከም ዝነበርኩ፡ ባዕላቶም ይፈልጡ እዮም። 20 ደም
እስጢፋኖስ ምስክርካ ኼፍስሱ ኸለዉ ድማ፡ ባዕለይ ምሳታቶም ሰሚረ ኣብኡ ደው ኢለ ነይረ፡
ክዳውንቲ እቶም ዝቐተልዎውን ሐሎኹ፡ በልክዎ። 21 ንሱ ኸኣ፡ ኣነ ንርሑቕ ናብ ኣህዛብ እልእከካ
ኣሎኹ እሞ፡ ኪድ፡ በለኒ። 22 ክሳዕ እዚ ቓልዚ ሰምዕዎ። ድሕሪኡ ግና ድምጾም ዓው ኣቢሎም፡ ከምዚ
ዝበለ ሰብ ብህይወት ኪነብር ኣይግብኦን እዩ እሞ፡ ካብ ምድሪ ይርሐቕ፡ በሉ። 23 ንሳቶም እናጨደሩ
ኽዳውንቶም እናደርበዩ፡ ሓመድ ንላዕሊ እንተ በተኑ፡ 24 እቲ ሓለቓ ሽሕ፡ ነቲ ዚጭድሩሉ ዘለዉ
ምኽንያቱ ምእንቲ ኺፈልጥሲ፡ ብመግረፍቲ ኺምርመር ናብ ሰፈር ኬእትውዎ ኣዘዘ። 25 ኪገርፍዎ በጥ
ምስ ኣበልዎ ኸኣ፡ ጳውሎስ ነቲ ደው ኢሉ ዘሎ ሓለቓ ሚእቲ፡ ንሮማዊ ሰብ ብዘይ ፍርዲ ኽትገርፍዶ
ተፈቒዱልኩም እዩ፧ በሎ። 26 እቲ ሓለቓ ሚእቲ እዚ ምስ ሰምዔ፡ ከይዱ ነቲ ሓለቓ ሽሕ፡ እዚ ሰብኣይ
ሮማዊ እዩ እሞ፡ እቲ እትገብሮ ዘሎኻ ፍለጥ፡ ኢሉ ነገሮ። 27 እቲ ሓለቓ ሽሕ ከኣ መጺኡ፡ ኣታ፡ ሮማዊ
ዲኻ፧ እስኪ ንገረኒ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ እወ፡ በለ። 28 እቲ ሓለቓ ሽሕ ከኣ፡ ኣነ ንርእሰይ ሮማዊ ንምኳን
ብዙሕ ገንዘብ ሂበ ኣሎኹ፡ ኢሉ መለሰሉ። ጳውሎስ ከኣ፡ ኣነስ እባ ተወሊደሉ እየ፡ በሎ። 29 እቶም
ኪምርምርዎ ኢሎም ዝነበሩ ቐልጢፎም ካብኡ ኣግለሱ። እቲ ሓለቓ ሽሕ ድማ ሮማዊ ምዃኑ ምስ
ፈለጠ፡ ስለ ዝኣሰሮ ፈርሄ። 30 ኣይሁድ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝኸሰስዎ ርግጽ ነገር ኪፈልጥ ደልዩ ኸኣ፡
ንጽብሒቱ ፈትሖ፡ ንሊቃውንቲ ኻህናትን ንብዘሎ እቲ ዋዕላን ከኣ ኪእከቡ ኣዘዞም፡ ንጳውሎስ ድማ
ኣውሪዱ ኣብ ቅድሚኦም ኣቘሞ።

# ምዕራፍ 23

1 ሽዑ ጳውሎስ ነቶም ዋዕላ ጠሚቱ፡ ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ኣነ ኽሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽ ብኹሉ ብሰናይ ሕሊና እየ እተመላለስኩ፡ በሎም። 2 ሃናንያ፡ እቲ ሊቀ ኻህናት፡ ግና ነቶም ኣብ
ጥቓኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ኣፉ ኺዘብጥዎ ኣዘዞም። 3 ጳውሎስ ከኣ ንእኡ፡ ኣታ ልኽሉኽ ጊድግዳ፡
ኣምላኽ ኪዘብጠካ እዩ። ንስኻ ኸምቲ ሕጊ ጌርካ ኽትፈርደኒ ተቐሚጥካ ኣሎኻ፡ እሞኸ ሕጊ ኣፍሪስካዶ
ኺዘብጡኒ ትእዝዝ ኣሎኻ፧ በሎ። 4 እቶም ኣብ ጥቓኡ ደው ኢሎም ዘለዉ ኸኣ፡ ንሊቀ ኻህናት
ኣምላኽዶ ትጸርፎ ኣሎኻ፧ በልዎ። 5 ጳውሎስ ድማ፡ ኣሕዋተይ፡ ንሹም ህዝብኻ ኣይትጽረፍ፡ ተጽሒፉ

ኣሎ እሞ፡ ሊቀ ኻህናት ምዃኑ ኣይፈለጥኩን፡ በሎም። [6] ጳውሎስ ከኣ ገሊኦም ሰዱቃውያን ገሊኦምውን ፈሪሳውያን ምዃኖም ምስ ፈለጠ፡ ኣብቲ ዋዕላ ዓው ኢሉ፡ ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ኣነ ፈሪሳዊ፡ ወዲ ፈሪሳዊ እየ። ብዛዕባ ተስፋን ትንሳኤ ምዉታትን ይፍረደኒ ኣሎ፡ በለ። [7-8] ሰዱቃውያን፡ ትንሳኤ ኾነ መልኣኽ ኰነ መንፍስ ኰነ የልቦን፡ ይብሉ፡ ፈሪሳውያን ግና ነዚ ኹሉ ይኣምኑ ነበሩ እሞ፡ እዚ ምስ ተዛረበ፡ ኣብ መንጎ ፈሪሳውያንን ሰዱቃውያንን ባእሲ ኾነ፡ እቲ ኣኼባውን ተኻፍለ። [9] ብዙሕ ጫውጫው ድማ ኰነ፡ ካብ ወገን ፈሪሳውያን ከኣ ሓያሎ ጸሓፍቲ፡ ኣብዚ ሰብኣይዚ ገለ ኽፉእ እኳ ኣይረኸብናን። መንፈስ ወይስ መልኣኽ ተዛሪብዎ እንተ ኾይኑ፡ ከመይ ደኣ ይኹን፧ ኢሎም ተንሲኦም ተኻራኸሩ። [10] ብዙሕ ባእሲ ምስ ኰነ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ፡ ንሳቶም ንጳውሎስ ከይምንዝዕዎ ፈሪሁ፡ ነቶም ጭፍራ ወሪዶም ካብ ማእከሎም ዘሪፎም ናብ ሰፈር ኬብጽሕዎ ኣዘዞም። [11] ጐይታ ኸኣ በታ ድሕሪኣ ዘላ ለይቲ፡ ጳውሎስ፡ ከምቲ ኣብ የሩሳሌም ብዛዕባይ ዝመስከርካዮ ኽምኡውን ኣብ ሮሜ ኽትምስክረለይ ይግብኣካ እዩ እሞ፡ ኣጆኻ፡ ኢሉ ኣብ ቅድሚኡ ደው በለ። [12] ምድሪ ምስ ወግሔ ኸኣ፡ ኣይሁድ ንጳውሎስ ክሳዕ ዚቐትልዎ ኸይበልዑን ከይሰትዩን ሰሚሮም ተማሓሐሉ። [13] እቶም ነዚ ኺገብሩ እተማሓሐሉ ኸኣ ካብ ኣርብዓ ይበዝሑ ነበሩ። [14] ንሳቶም ከኣ ናብ ሊቃውንቲ ኻህናት ናብ ዓበይትን መጺኦም፡ ንሕና ንጳውሎስ ከይቀተልናዮ ገለ እኳ ኸይንጥዕም፡ ብመርገም ተማሓሒልና ኣሎና። [15] ሕጂ ኸኣ ንስኻትኩም ምስ ዋዕላ ኼንኩም ነቲ ሓለቓ ሽሕ ናባኻትኩም ኬውጽኦ ብዛዕባኡ ኣጸቢቕኩም ክትምርምሩ ኽምዝደሌኹም ጌርኩም ንገርዎ፡ ንሕና ኸኣ ኣባኻትኩም ከይበጽሔ ኽንቀትሎ ተዐጢቕና ኣሎና፡ በልዎም። [16] ወዲ ሓብቱ ንጳውሎስ ከኣ ነዚ ውዲቶም ሰሚዑ ኸደ እሞ ናብቲ ሰፈር ኣትዩ ንጳውሎስ ነገሮ። [17] ጳውሎስ ድማ ካብቶም ሓላቑ ሚእቲ ንሓደ ጸዊዑ፡ እዚ ወድዚ ንሓለቓ ሽሕ ዚነግሮ ዘረባ ኣለዎ እሞ፡ ናብኡ ኹታ ኣእትወለይ፡ በሎ። [18] ንሱ ኸኣ ሒዙ ምስኡ ወሲዱ ናብቲ ሓለቓ ሽሕ ኣእተዎ እሞ፡ ጳውሎስ፡ እቲ እሱር፡ ናብኡ ጸዊዑ እዚ ወድዚ ዚነግረካ ዘረባ ኣልይዎስ፡ ናባኻ ክኣትወሉ ለሚኑኒ፡ በሎ። [19] እቲ ሓለቓ ሽሕ ከኣ ብኢዱ ሒዙ ወሰዶ፡ ንበይኑ ኣግሊሱ ድማ፡ እቲ ኽትነግረኒ እትደልዮ እንታይ እዩ፧ ኢሉ ሐተቶ። [20] ንሱ ኸኣ፡ ኣይሁድ ንጳውሎስ፡ ብዛዕባኡ ኣጸቢቕካ ኽትሓቶ ኽም ዝደሌኻ መሲልካ፡ ጽባሕ ናብ ዋዕላ ኺተውርደሎም ኪልምኑኻ ተማኺሮም ኣለዉ። [21] ካባታቶም ካብ ኣርብዓ ሰብኣይ ዚበዝሑ ኣድብዮምሉ ኣለዉ፡ ንእኡ ኽሳዕ ዚቐትልዎ ኸይበልዑን ከይሰትዩን ከኣ፡ ብርእሶም ምሒሎም ኣለዉ እሞ ሕጂ ተዐጢቖም ካባኻ ተስፋ ይጽበዩ ኣለዉ፡ ንስኻ ግና ሕራይ ኣይትበሎም፡ ኢሉ መለሰሉ። [22] ድሕርዚ እቲ ሓለቓ ሽሕ ነቲ ወዲ፡ እዚ ንኣይ ከም ዘፍለጥካኒ ንሓደ እኳ ኣይትንገር፡ ኢሉ ኣዘዞ እሞ ሰደዶ። [23] ንኽልተ ሓላቑ ሚእቲ ጸዊዑ ኸኣ፡ ክሳዕ ቂሳርያ ኪኸዱ፡ ክልተ ሚእቲ ዓቀይታይ፡ ሰብዓ ፈረሰኛ፡ ክልተ ሚእቲ ሰብ ኲናት ለይቲ ብሳልሰይቲ ሰዓት ኣዳልዉ፡ በሎም። [24] ንጳውሎስ ምእንቲ ኼስርርዎ መጽዓኛ ኺማልኡ ብደሓኑውን ኣብ ፌሊክስ፡ ኣብቲ ራእሲ፡ ኬብጽሕዎ ኣዘዘ። [25] ከምዚ ኢሉ ኸኣ ደብዳበ ጸሓፈ፡ [26] ቀላውዴዎስ ሊስያስ ንፌሊክስ፡ ነቲ ልዑል ራእሲ፡ ሰላም ይብሎ ኣሎ። [27] ነዚ ሰብኣይዚ ኣይሁድ ሒዞም ኪቐትልዎ ደልዮም ከለዉ፡ ሮማዊ ምዃኑ ምስ ፈለጥኩ፡ ኣነ ምስ ጭፍራ መጺኤ ኣናገፍክዎ። [28] እቲ ዚኸሱሉ ምኽንያት ክፈልጥ ደልየ ኸኣ፡ ናብ ዋዕላኦም ኣውረድክዎ። [29] ሽዑ ስለ ኽርክር ሕጎም ከም ዝኸሰስዎ ረኸብኩ እምበር፡ ናብ ሞት ወይስ ናብ ማእሰርቲ ዜብጽሕ ክሲ ከቶ ኣይረኸብኩሉን። [30] ኣብዚ ሰብኣይዚ ውዲት ከም ዝገበሩ ምስ ሰማዕኩ ኸኣ፡ ብቕልጡፍ ናባኻ ሰዲደዮ፡ ነቶም ከሰስቱውን ኣብ ቅድሜኻ ኪኸስዎ ኣዚዘዮም ኣሎኹ። ደሓን ኩን። [31] እቶም ዓቀይቲ ድማ፡ ከምቲ እተኣዘዝዎ፡ ንጳውሎስ ብለይቲ ወሲዶም፡ ኣብ ኣንቲጳጥሪስ ኣብጽሕዎ። [32] ንጽብሒቱ ነቶም ፈረሰኛታት ምስኡ ይኺዱ ሓደግዎም፡ ንሳቶም ግና ናብ ሰፈር ተመልሱ። [33] እቲኣቶም ኣብ ቂሳርያ ምስ ኣተዉ ኸኣ፡

እታ ደብዳበ ነቲ ራእሲ ሀብዎ። ንጳውሎስውን ኣብ ቅድሚኡ ደው ኣበልዎ። 34 ነታ ደብዳበ ምስ ኣንበባ
ድማ፡ ብዓል ኣየነይቲ ሃገር ምዃኑ ሐተቶ። ብዓል ቂልቅያ ምዃኑ ምስ ፈለጠ፡ 35 ከሰስትኻ ምስ መጹ
ሽዑ እሰምዓካ፡ በሎ። ኣብ ኣዳራሽ ሄሮድስ ኣእትዮም ኪሕልውዎ ኸኣ ኣዘዘ።

# ምዕራፍ 24

1 ድሕሪ ሓሙሽተ መዓልቲ ሃናንያ፡ እቲ ሊቀ ኻህናት፡ ምስ ሓያሎ ዓበይትን ጠርጠሎስ ምስ ዚብሀል
ሓደ ኸኣል ዘረባን ወረደ። ንሳቶም ድማ ንጳውሎስ ኣብ ቅድሚ እቲ ራእሲ ኸሰስዎ። 2 ንሱ ምስ ተጸውዔ
ድማ፡ ጠርጠሎስ ከምዚ ኢሉ ኪኸሶ ጀመረ፡ 3 ዎ ልኡል ፊሊክስ፡ ብኣኻ ብዙሕ ሰላም ከም ዝረኸብና፡
ብምህዞኻ ድማ ነዚ ህዝቢዚ ብዙሕ ምሓሽ ከም ዝኾነሉ፡ ብኹሉ ኣብ ፍቕዳ ሃገር እናተኣመንና
ነማስወካ ኣሎና። 4 ኣዝየ ኸየንውሓልካ ግና፡ ብሓጺሩ ብለውሃት ክትሰምዓና እልምነካ ኣሎኹ። 5 ንሕና
ነዚ ሰብኣይዚ መራሒ ወገን ናዝሬታውያን ኰይኑ፡ ኣብ ብዓለሙ ንዘለዉ ኹላቶም ኣይሁድ ፈራን
መነዓብን ኰይኑ ረኺብናዮ። 6 ቤተ መቕደስ ከኣ ኬርክስ ደልየ እሞ፡ ሐዝናዮ ኽም ሕግናውን ክንፈርዶ
ደሌና። 7 ግነኽ ሊሰያስ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ፡ መጺኡ ብብዙሕ ሓይሊ ኻብ ኢድና ወሰዶ። 8 ንኸሰስቱ ድማ
ናባኻ ኺሐልፉ ኣዘዘ። ብዛዕባዚ ንሕና እንኽሶ ዘሎና ኹሉ ኸኣ ባዕልኻ ንእኡ መርሚርካ
ኽተስተውዕሎ ይከኣለካ እዩ። 9 ኣይሁድውን ነቲ ኽሲ ሰሚሮም፡ እወ፡ እዚ ነገርዚ ኸምኡ እዩ፡ በሉ። 10
እቲ ራእሲ ኺዛረብ ምስ ኣመልከቶ ኸኣ፡ ጳውሎስ መለሰ፡ ካብ ብዙሕ ዓመት ጀሚርካ ነዚ ህዝብዚ
ፈራዲ ምዃንካ እፈልጥ እየ፡ ስለዚ ንርእሰይ ብትብዓት እመጻረየላ ኣሎኹ። 11 ክሰግድ ኢለ ናብ
የሩሳሌም ካብ ዝድይብ፡ ካብ ዓሰርተው ክልተ መዓልቲ ዚበዝሕ ከም ዘይገበርኩ፡ ክትፈልጦ ይከኣለካ
እዩ። 12 ኣብ ቤት መቕደስ ምስ ሓደ እኳ ኽዛረብ ወይስ ኣብ ህዝቢ ባእሲ ኽልዕል፡ ኣብ ኣባይቲ ጸሎት
ኰነ ኣብ ከተማ ኾነ፡ ኣይረኸቡንን። 13 ሕጂውን በዚ ዚኸሱኒ ዘለዉ ነገር ኣብ ብርክኻ ኪረትዑሉ
ኣይኽእሉን እዮም። 14 ኣነ ግና ነቲ ኣብ ሕግን ነብያትን ተጽሒፉ ዘሎ ኹሉ እናኣመንኩ፡ በታ ንሳቶም
መናፍቕነት ዚብልዋ ዘለዉ መገዲ ኸምኡ ገይረ ንኣምላኽ ኣቦታተይ ከም ዘምልኽ፡ እዚ እእመነልካ
ኣሎኹ። 15 ከምቲ ንሳቶም ንጻድቃንን ንሓጥኣንን ትንሳኤ ኪኸውን ዚጽበይዎ፡ ከምኡውን ኣነ ኣብ
ኣምላኽ ተስፋ ኣሎኒ። 16 ስለዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን እንታ ዜብሉ ሕሊና ኺህልወኒ፡ ኲሉ
ጊዜ እጽዕር ኣሎኹ። 17 ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ከኣ ንህዝበይ ምጽዋት ከብጽሕን መስዋእቲ ከቕርብን
መጻእኩ። 18 ሽዑውን ካብ እስያ ዝመጹ ሓያሎ ኣይሁድ ብዘይ ኣኼባ ህዝብን ብዘይ ምንዓብን ኣብ ቤተ
መቕደስ ነጺሄ ረኸቡኒ። 19 ንሳቶም ኣባይ ገለ እንተ ዚህልዎምሲ፡ ናባኻ መጺኦም ኪኸሱኒ ምተገብኤ
ነይሩ። 20-21 ወይስ ኣብ ቅድሚ ዋዕላ ቈይመ ኸሎኹ፡ ብዘይ እዛ ኣብ ማእከልኩም ብደወይ ዓው ኢለ፡
ሎሚ ኣነ ብዛዕባ ትንሳኤ ምዉታት ኣብ ቅድሜኹም እፍረድ ኣሎኹ፡ ዝበልክዋ ሓንቲ ዘረባ እንተ
ዘይኰይናስ፡ ገለ በደል ረኺቦምለይ እንተ ኾይኖም፡ እዚኣቶም ይንገሩ። 22 ፊሊክስ እዚ ምስ ሰምዔ፡
ናይዛ መገዲ እዚኣ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈለጠ፡ ሊስያስ፡ እቲ ሓለቓ ሽሕ፡ ምስ ወረደ፡ ሽዑ ነገርኩም ኣጸቢቐ
ኽምርምር እየ፡ ኢሉ እቲ ነገሮም ይጽናሕ ሐደጎ። 23 ነቲ ሓለቓ ሚእቲ ድማ ንጳውሎስ ኪሕልዎ
ማእሰርቲ ኼቕልለሉ፡ ካብ ሰቡ ኼገልግሎ እንተ ደለየውን፡ ንሓደ እኳ ኸይከልክል ኣዘዞ። 24 ድሕሪ
ሓያሎ መዓልቲ ኸኣ ፊሊክስ ምስታ ኣይሁዳዊት ድሩሲላ ሰበይቱ መጺኡ ንጳውሎስ ልኢኹ ጸዊዑ፡
ብዛዕባ እምነት ብክርስቶስ የሱስ ካብኡ ሰምዔ። 25 ብናይ ጽድቅን ንጽህናን ብናይቲ ዚመጽእ ፍርድን
ምስ ነገሮ ግና፡ ፊሊክስ ሰምቢዱ፡ ሕጂስ መገድኻ ኺድ፡ ብዝምቸወኒ ጊዜ ኽትመጸኒ ኽልእከልካ እየ፡

ኢሉ መለሰሉ። 26 ምስናይዚ ድማ ካብ ጳውሎስ ገንዘብ ኪረክብ ትስፉ ይገብር ነበረ፡ ስለዚ ብዙሕ ጊዜ
ለልኢኹ እናምጽኤ ይዛረቦ ነበረ። 27 ክልተ ዓመት ምስ ሐለፈ፡ ጶርቅዮስ ፌስጦስ ኣብ ክንዲ ፌሊክስ
ተሸመ። ፌሊክስ ከኣ ንኣይሁድ ባህ ኬብል ደልዩ ንጳውሎስ ብእሱሩ ሐደጎ።

## ምዕራፍ 25

1 ፌስጦስ ነታ ሽመት ምስ ሐዛ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ኻብ ቂሳርያ ናብ የሩሳሌም ደየበ። 2 ሊቃውንቲ
ኻህናትን ሹማት ኣይሁድን ከኣ ንጳውሎስ ነገር ኣልዓሉሉ። 3 ኣብ መገዲ ኣድብዮም ኪቕትልዎ ደልዮም፡
ናብ የሩሳሌም ኬደይበሎም ሞገስ ለመንዎ። 4 ፌስጦስ ከኣ፡ ጳውሎስ ኣብ ቂሳርያ ይሕሎ ኸም ዘሎ፡ ንሱ
ድማ ቀልጢፉ ናብኣ ንምውራድ ከም፡ ዝሐሰበ፡ መለሰሎም፡ 5 እምብኣርሲ ኻባታትኩም እቶም ከኣልቲ
ዘለዉ ምሳይ ይውረዱ እሞ ኣብቲ ሰብኣይ እቲ በደል እንተሎ፡ ይኽሰስዎ፡ በሎም። 6 ምሳታቶም ኣስታት
ሾሞንተ ወይስ ዓሰርተ መዓልቲ ምስ ገበረ ኸኣ፡ ናብ ቂሳርያ ወረደ። ንጽብሒቱውን ኣብ መንበር ፍርዲ
ተቐሚጡ፡ ንጳውሎስ ኬምጽእዎ ኣዘዘ። 7 ጳውሎስ ምስ መጸ ኸኣ፡ እቶም ካብ የሩሳሌም ዝወረዱ
ኣይሁድ ከቢቦምዎ ደው በሉ፡ ኪረትዕሉ ዘይክእሉ ብዙሕን ከቢድን ክሲ ኸኣ ከሰስዎ። 8 ጳውሎስ
ድማ፡ ኣነ ንሕጊ ኣይሁድ ኰነ ንቤተ መቕደስ ወይስ ንቈሳር ኰነ ኣይበደልኩን፡ ኢሉ ተመጓረየ። 9
ፌስጦስ ከኣ ንኣይሁድ ባህ ኬብል ደልዩስ ንጳውሎስ፡ ናብ የሩሳሌም ክትድይብ እሞ በዚ ነገርዚ ኣብኣ
ኣብ ቅድመይ ክትፍረድዶ ትፈቱ ኢኻ፧ ኢሉ መለሰሉ። 10 ጳውሎስ ግና፡ ኣነ ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ
እቐውም ኣሎኹ፡ ኣብኡ ኽፍረድ እየ ዚግብኣኒ፡ ንስኻ ኣጸቢቕካ ኸም እትፈልጥ ከኣ፡ ንኣይሁድ
ኣይበደልክዎምን፡ 11 ዐሚጸ ናብ ሞት ዜብጽሕ ገይረ እንተ ኾይነ ግና፡ ከይመውት እኳ ኣይልምንን እየ።
እዚ ዚኸሱኒ ብኽምኡ እንተ ኾይኑኸ፡ ንኣታቶም ኣሕሊፉ ኺህበኒ ዚኽእል ከቶ የልቦን። ኣነ፡ ናብ
ቈሳር ይግባኝ፡ ኢለ ኣሎኹ፡ በለ። 12 ሽው ፌስጦስ ምስቶም ኣማኸርቲ ተዛሪቡ፡ ናብ ቈሳር ይግባኝ፡ ካብ
በልካስ፡ ናብ ቈሳር ክትከይድ ኢኻ፡ ኢሉ መለሰሉ። 13 ሓያሎ መዓልቲ ምስ ሐለፈ ኸኣ፡ ንጉስ ኣግሪጳን
በርኒቄን ንፌስጦስ ኪበጽሕዎ፡ ናብ ቂሳርያ ወረዱ። 14 ኣብኣ ብዙሕ መዓልቲ ምስ ገበሩ ኸኣ፡ ፌስጦስ
ነቲ ንጉስ ናይ ጳውሎስ ነገር ከምዚ ኢሉ ኣዘንተወሉ፡ ፌሊክስ ብእሱሩ ዝሐደጎ ሰብኣይ ኣብዚ ኣሎ፡ 15
ናብ የሩሳሌም ከይደ ኸሎኹ ኸኣ፡ ሊቃውንቲ ኻህናት ኣይሁድን ዓበይቶምን መጺኦም ንእኡ ኽፈርዶ
ለመኑኒ። 16 ንተኸሳሲ ምስ ከሰስቱ ገጽ ንገጽ ደው ከየበልካዮ፡ በቲ ዝኸሰስዎ ኺመጓረ ጊዜ ኸይሀብካዮ፡
ተቓዳዲምካ ንሓደ እኳ ኣሕሊፍካ ምሃብ ስርዓት ሮማውያን ከም ዘይኰነ ድማ፡ መለስኩሎም። 17
እምብኣርስኸ ኣብዚ ምስ ተኣከቡ፡ ከየደናጒኹ ንጽብሒቱ ኣብ መንበር ፍርዲ ተቐሚጠ፡ ነቲ ሰብኣይ
ኬምጽእዎ ኣዘዝኩ። 18-19 እቶም ከሰስቱ ደው ምስ በሉ ግና፡ ብጀካ ብናይ ኣምልኾኦም ዝኾነ ነገር
ባእሲ ብዛዕባ ሓደ ምዉት፡ ጳውሎስ ግና ህያው እዩ ዚብሎ የሱስ እንተ ዘይኰይኑ፡ ንኣይ ከም
ዝመሰለንስ፡ ገለ ኽፉእ ክሲ እኳ ኣየምጽኡሉን። 20 ኣነ ኸኣ፡ በዚ ነገርዚ ዝገብሮ እንተ ጨነቐኒ፡ ናብ
የሩሳሌም ክትድይብ እትፈቱ እንተ ኼንካ፡ በዚ ነገርዚ ኣብኣ ኽትፍረድ፡ በልክዎ። 21 ጳውሎስ ግና፡ ኣብ
ቈሳር ክሳዕ ዚምርመር ምእንቲ ኺሕሎ፡ ይግባኝ፡ ምስ በለ፡ ናብ ቈሳር ክሳዕ ዝሰዶ ኺሕሎ ኣዘዝኩ። 22
ኣግሪጳ ኸኣ ንፌስጦስ፡ ነዚ ሰብኣይ እዝስ ኣነውን ክሰምዖ ምፈቶኹ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ጽባሕ ትሰምዖ፡
በሎ። 23 ንጽብሒቱ ድማ ኣግሪጳን በርኒቄን ምስቶም ሓላቑ ሸሕን ዓበይቲ ኸተማን ብብዙሕ ግርማ ናብ
ኣዳራሽ ፍርዲ ኣተዉ። ፌስጦስ ከኣ ንጳውሎስ ኬምጽእዎ ኣዘዘ። 24 ፌስጦስ ድማ በለ፡ ዎ ንጉስ ኣግሪጳ፡
ኣቱም ምሳና ዘሎኹም ኲላትኩም ሰብ፡ እዚ እትርእይዎ ዘሎኹም ስብኣይ ደጊም ንሱ ብህይወት

ኪነብር ከም ዘይግብኦ፡ ኲላቶም ኣይሁድ፡ ኣብ የሩሳሌም ኰነ ኣብዚ ኾነ፡ እናጠርዑ ለመኑኒ። 25 ኣነ
ግና ከቶ ኣብ ሞት ዜብጽሕ ነገር ኣይረኸብኩሉን። ባዕሉ፡ ናብ ቄሳር ይግባኝ፡ ምስ በለ ኸኣ፡ ንምስዳዱ
ቈሪጸ ኣሎኹ። 26 ብዛዕባኡ ናብ ጐይታይ ዝጽሕፎ ፍሉጥ ነገር ግና የብለይን። ስለዚ ንሱ ምስ ተመርመረ
ዝጽሕፎ ነገር ምእንቲ ኽረክብሲ፡ ናባኻትኩም፡ ምናዳ ኸኣ፡ ዎ ንጉስ ኣግሪጳ፡ ናባኻ ኣምጺኤዮ ኣሎኹ።
27 ማለት፡ ምኽንያት ማእሰርቱ ኸይነገርኩ፡ ንእሱር ሰብ ምስዳደይ ዕሽነት ኰይኑ ይረኣየኒ ኣሎ።

# ምዕራፍ 26

1 ኣግሪጳ ኸኣ ንጳውሎስ፡ ብናይ ርእስኻ ኽትዛረብ ተፈቒዱልካ ኣሎ፡ በሎ። ሽዑ ጳውሎስ ኢዱ ዘርጊሑ
ንርእሱ ኺመጻረየላ መለሰ፡ 2-3 ዎ ንጉስ ኣግሪጳ፡ ኲሉ ስርዓት ኣይሁድን ክርክሮምን ትፈልጥ ኢኻ እሞ፡
ሎሚ ምናዳ ኣብ ቅድሜኻ ብኣይሁድ እኽሰሰሉ ብዘሎኹ ዘበለ ነገር ክመጻረ ስለ እተፈቕደለይ፡ ነዛ
ርእሰይ እተመስገነት ገይረ እርእያ ኣሎኹ። ስለዚ ኸኣ ብትዕግስቲ ኽትሰምዓኒ እልምነካ ኣሎኹ። 4
እምብኣርስኸ ካብ ንእስነተይ ጀሚረ ኣብ ማእከል ህዝበይ ኣብ የሩሳሌም ዝነበርክዎ ንብረተይ ኲላቶም
ኣይሁድ ይፈልጥዎ እዮም። 5 ኪምስክሩ እንተ ደለዩስ፡ ከምቲ ኻብ ኲሉ ዚጥንቀቕ ወገን ኣምልኾና
ፈሪሳዊ ኸም ዝነበርኩ፡ ንሳቶም ካብ ቀደም ጀሚሮም ይፈልጡኒ እዮም። 6 ሕጂ ድማ ስለቲ ኣምላኽ
ነቦታትና ዝሃቦም ትጽቢት ተስፋ ኺፍረደኒ ደው ኢለ እኔኹ፡ 7 ነዚ ትጽቢት እዚ ኸኣ እቶም ዓሰርተው
ክልተ ዓሌትና፡ ለይትን መዓልትን ተጊሆም እናኣገልገሉ፡ ናብኡ ኺበጽሑ ተስፋ ይገብሩ ኣለዉ። ዎ
ንጉስ ኣግሪጳ፡ ስለ እዛ ተስፋ እዚኣ እየ ብኣይሁድ ዝኽሰስ ዘሎኹ። 8 ኣምላኽ ንምዉታት ከም
ዜተንስኦም ደኣ፡ ስለምንታይ ከም ዘይእመን ነገር ጌርኩም ትርእይዎ ኣሎኹም፧ 9 ኣነ ንርእሰይሲ ምስ
ስም የሱስ ናዝሬታዊ ዚጻረር ነገር ክገብር ግቡኤይ ምዃኑ እኳ ይመስለኒ ነይሩ። 10 እዚ ድማ ኣብ
የሩሳሌም ገይረዮ። ካብ ሊቃውንቲ ኻህናት ስልጣን ተቐቢለ ንብዙሓት ካብ ቅዱሳን ናብ ቤት ማእሰርቲ
ኣእቶኽዎም፡ ኪቕትልዎም ከለዉውን ሰመርኩ። 11 ኣብ ኲሉ ኣባይቲ ጸሎት ድማ ብዙሕ ጊዜ እናቐጻዕኩ
ብሓሳር ኪጸርፉ ኤጽብበሎም ነበርኩ። ናብተን ኣብ ወጻኢ ዘለዋ ኸተማታት ክሳዕ ዝሰጎም፡ ኣዝየ
ተሃንደድክዎም። 12 በዚ ነገርዚ ብትእዛዝ ሊቃውንቲ ኻህናትን ብፍቓዶምን ናብ ደማስቆ ክኸይድ
ከሎኹ፡ 13 ዎ ንጉስ፡ ቀትሪ ኣብ መገዲ ከሎኹስ፡ ካብ ጸሓይ ዚደምቕ ብርሃን ካብ ሰማይ ኣብ ዙርያይን
ኣብ ዙርያ እቶም ምሳይ ዚኸዱ ዝነበሩን ኬንጸባርቕ ከሎ ርኤኽዎ። 14 ኲላትና ናብ ምድሪ ምስ ወደቕና
ኸኣ፡ ብቛንቋ እብራይስጢ፡ ሳውል፡ ሳውል፡ ከመይከ እትሰጐኒ፧ ናብ ኣንፈ ብልሒ እንተ ኣድሐርሐርካ፡
ንኣኻ ይገደካ፡ ኢሉ ዚዛረበኒ ድምጺ ሰማዕኩ። 15 ኣነ ድማ፡ መን ኢኻ፡ ጐይታይ፧ በልክዎ። ጐይታ ኸኣ
በለኒ፡ ኣነ እቲ ንስኻ እትሰጎ ዘሎኻ የሱስ እየ። 16 ግናኸ ተንስእ እሞ ብእግርኻ ደው በል፡ ነቲ
ዝርኤኻዮን ኣነ ድሕርዚ ኽገልጸልካ ዘሎንን ነገር ኣገልጋልን ምስክርን ክትከውን መዲበካ ኣሎኹ፡ ስለዚ
ድማ እየ እተገለጽኩልካ። 17 ካብ ህዝብኻን ካብቶም ናባታቶም ዝልእከካ ኣህዛብን ከኣ ከናግፈካ እየ፡ 18
ንኣይ ብምእማን ከኣ ሕድገት ሓጢኣት ርስቲ ምስ ቅዱሳንን ኪረኽቡ፡ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን፡ ካብ
ስልጣን ሰይጣንውን ናብ ኣምላኽ ኪምለሱ ኣዒንታቶም ክትከፍተሎም፡ እልእከካ ኣሎኹ። 19-20 ዎ ንጉስ
ኣግሪጳ፡ ምእንትዚ ንንስሓ ዚግባእ ግብሪ እናገበሩ ኺንስሑን ናብ ኣምላኽ ኪምለሱን፡ ቅድም ኣብ
ደማስቆን ኣብ የሩሳሌምን፡ ደሓር ከኣ ኣብ ኲላ ሃገር ይሁዳ ንዚነብሩን ነህዛብን ብስራት ኣበሰርኩ
እምበር፡ ነቲ ሰማያዊ ራእይ ኣይኣቤኽዎን። 21 ብዛዕባዚ ኸኣ ኣይሁድ ኣብ ቤተ መቕደስ ሐዙኒ
ኪቕትሉኒውን ሃቀኑ። 22-23 ግናኸ ንዓብይን ንንእሽቶን ክሳዕ እዛ መዓልቲ እዚኣ ደው ኢለ እናመስከርኩ

ኻብ ኣምላኽ ረዲኤት ተቐቢለ ኣሎኹ። ብዘይ እቲ ሙሴን ነብያትን ኪኸውን ከም ዘለዎ እተዛረብዎ፡
ማለት፡ ክርስቶስ ሓሳረ መከራ ኽም ዚጸግብ፡ ከም በዅሪ ትንሳኤ ምዉታትውን ንህዝብን ነህዛብን
ብርሃን ከም ዘበስር፡ ኢለ ሓንቲ እኳ ኣይተዛረብኩን። 24 ከምዚ ኢሉ ኽመጻረ ኸሎ ድማ፡ ፌስጦስ ዓው
ኢሉ፡ ኣታ ጳውሎስ፡ ተጸሊልካ ኢኻ፡ እዚ ብዙሕ ትምህርትኻ ናብ ምጽላል ኣድሂቡልካ ኣሎ፡ በሎ። 25
ጳውሎስ ከኣ፡ ዎ ልኡል ፌስጦስ፡ ቃል ሓቅን ኣእምሮን እየ ዝዛረብ ዘሎኹ እምበር፡ ኣይተጸለልኩን። 26
እዚ ኣነ ቅድሚኡ ደፊረ ዝዛረቦ ዘሎኹ ንጉስ ድማ ነዚ ነገርዚ ይፈልጦ እዩ፡ ኣብ ውሻጠ ኣይተገብረን
እሞ፡ ካብዚ ነገርዚ ገለ ኽም ዘይጠፍኦ፡ ተረዲኤዮ ኣሎኹ። 27 ዎ ንጉስ ኣግሪጳ፡ ንነብያትሲ ትኣምኖም
ዲኻ፧ ከም እትኣምን እፈልጥ እየ፡ በለ። 28 ኣግሪጳ ኸኣ ንጳውሎስ፡ ክርስትያን ንምዃን ከተረድኣኒ ቕሩብ
ተሪፉካ፡ በሎ። 29 ጳውሎስ ከኣ፡ ኣነ እንተ ብቕሩብ እንተ ብብዙሕ፡ ብዘይ እዚ መቑሕይሲ ኽምዚ
ኽማይ ኪኾኑ፡ ሎሚ ንዚሰምዑኒ ዅላቶም እምበር፡ ንኣኻ ጥራይ ኣይኮንኩን ካብ ኣምላኽ ዝምነዮ
ዘሎኹ፡ በለ። 30 ሽዑ እቲ ንጉስን እቲ ራእስን በርኒቄን እቶም መቓምጦምን ተንስኡ። 31 ካብኡ ምስ
ኣግለሱ ድማ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ ናብ ሞት ወይስ ናብ ማእሰርቲ ዜብጽሕ የብሉን፡ ኢሎም ንሓድሕዶም
ተዛራረቡ። 32 ኣግሪጳ ኸኣ ንፌስጦስ፡ እዚ ሰብኣይ እዚ፡ ናብ ቄሳር ይግባኝ፡ ኢሉ እንተ ዘይከውንሲ፡
ኪፍታሕ ምተገብአ ነይሩ፡ በሎ።

# ምዕራፍ 27

1 ናብ ኢጣልያ ብመርከብ ክንከይድ ምስ ተቘርጸ ኸኣ፡ ንጳውሎስን ንሓያሎ ኻልኦት እሱራትን ናብቲ
ዩልዮስ ዝስሙ፡ ካብ ሰራዊት ቄሳር ዝኾነ ሓለቓ ሚእቲ፡ ኣሕለፍዎም። 2 ንሃገር እስያ ብትኸይድ
መርከብ ኣድራሚቲስ ጌርና ተበገስና፡ ኣርስጠርኮስ፡ ብዓል መቄዶንያ ኻብ ተሰሎንቄ፡ ምሳና ነበረ። 3
ንጽብሒቱ ኣብ ሲዶና በጻሕና። ዩልዮስ ከኣ ንጳውሎስ ብጽቡቕ ገጽ ረኣዮ፡ ናብ ፈተውቱ ኺበጽሕ እሞ
ካባታቶም ረዲኤት ኪረክብውን ፈቐደሉ። 4 ካብኣ ነቒልና ኸኣ፡ ንፋስ ብቕድሜና ስለ ዝኾነ፡ ብትሕቲ
ቆጵሮስ ሓለፍና። 5 ጸግዓ ጸግዒ ባሕሪ ቂልቅያን ጳምፊልያን ሓሊፍና፡ ናብ ሚራ ምድሪ ሉቅያ ኣቶና። 6
እቲ ሓለቓ ሚእቲ ኸኣ ኣብኣ ናብ ኢጣልያ እትኸይድ መርከብ እስክንድርያ ረኺበ እሞ ናብኣ ኣእተወና።
7 ብዙሕ መዓልቲ ገፊፍ እናበልና ኸድና፡ ብጭንቂ ድማ ኣብ መንጽር ክኒዶስ በጻሕና። ናብኣ ኸይንቐርብ
ንፋስ እንተ ኸልከለና ኸኣ፡ ብትሕቲ ቀሬጦስ ብመንጽር ሰልሞና ሓለፍና። 8 ብተጋድሎ ብጎቦኣ ምስ
ሓለፍና ኸኣ፡ ጽቡቕ ወደብ ናብ እትብሃል ስፍራ መጻእና፡ ካብኣ ንኸተማ ላሰያ ቐረባ እዩ። 9-10 በዚ
ኽምዚ ብዙሕ ወርሓት ምስ ሓለፈ፡ ጊዜ ጾም ድሮ ሐሊፉ ስለ ዝነበረ፡ ምኻድ መራኽብ ዜፍርህ ስለ
ዝኾነ፡ ጳውሎስ፡ ኣቱም ሰብ፡ ንነፍስና ድማ እምበር፡ ንጽዕነትን ንመርከብን ጥራይ እኳ ዘይኮነስ፡
መገድና ብጭንቅን ብብዙሕ ጒድኣትን ከም ዚኸውን እርኢ ኣሎኹ፡ ኢሉ መዐዶም። 11 እቲ ሓለቓ
ሚእቲ ግና ካብቲ ጳውሎስ ዚብሎ ዘረባ ነቲ መራሕ መርከብን ነቲ ዋናኣን ኣዝዩ ይኣምን ነበረ። 12 እቲ
ወደብ ንምኽራም ዘይጥዕሞም ስለ ዝኾነ፡ እቶም ዚበዝሑ ኻብኡ ኺነቕሉ እሞ ዚከኣል እንተ
ዀይኑስ፡ ናብ ፍንቄ፡ ንሱ ኸኣ ናብ ሊባን ናብ ባሕሪ ገጹ ዚርኢ ናይ ቅሬጦስ ወደብ ኣትዮም ኪኽርሙ
መኸሩ። 13 ህዱእ ንፋስ ደቡብ ምስ ነፈሰ ኸኣ፡ ከም ሓሳቦም ዝኾነሎም መሲልዎምሲ፡ መልህቕ
ኣልዒሎም ብጸግዒ ቅሬጦስ ሓለፉ። 14 ሽዑ ኸኣ ብዙሕ ከይደንጐየ፡ ኤውሮክሊዶን ዚብሀል ብርቱዕ
ህቦብላ ንፋስ ካብታ ደሴት ተላዕለ። 15 ነታ መርከብ መንዚዑ ምስ ወሰዳ ኸኣ፡ ንሳ ነቲ ንፋስ ክትቃወሞ
ስለ ዘይከኣለት፡ ስዲ ትኺድ ሐደግናያ። 16 ኣብ ጸግዒ ከላውዳ እትብሃል ደሴት ምስ በጻሕና ድማ፡

ብተጋድሎ ንጃልባ እታ መርከብ ከነድሕን ከኣልና። 17 ስሒቦም ምስ ኣውጽእዋ፡ ብታሕቲ ብገመድ ኣሲሮም መጻንሒ ገበሩ። ኣብ ድበት ሑጻ ኸይወድቁ ፈሪሆም ድማ፡ ነቲ ጋንጽላ ጠቕሊሎም፡ ከምኡ ኢላ ትኺድ ሐደግዋ። 18 ንጽብሒቱ ማዕበል እናበርትዓና እንተ ኸደ ኸኣ፡ ካብቲ ጽዕነት ናብ ባሕሪ ደርበዩ። 19 ብሳልሰይቲ መዓልቲ ድማ ነቲ ኣቓሑ መርከብ በእዳዎም ደርበይዎ። 20 ብዙሕ መዓልቲ ጸሓይ ኰነ ኸዋኽብቲ ኹነ ኸይርኤና፡ ማዕበል እናበርትዓና እንተ ኸደ፡ ኲሉ ተስፋ ምድሓን ነፍስና ፈጺምና ቐበጽና። 21 ብዘይ ምግቢ ብዙሕ መዓልቲ ምስ ገበሩ ድማ፡ ጳውሎስ ኣብ ማእከሎም ደው ኢሉ በሎም፡ ኣቱም ሰብ፡ እቲ ኻብ ቅሬጥስ ከይነቕልኩም ሰሚዕኩምኒ እንተ ትኾኑስ ግዲ፡ እዚ ጸበባን ጒድኣትን እዚ ኣይምረኸበኩምን ነይሩ። 22 ሕጂ ድማ፡ እዛ መርከብ ደኣ እምበር፡ ካባኻትኩምሲ ሓንቲ ነፍሲ እኳ ኣይትጠፍእን እያ እሞ፡ ክትሃድኡ እልምነኩም ኣሎኹ። 23-24 በዛ ለይቲ እዚኣ እቲ መልኣኽ ናይቲ ኣነ ዝናቱን ዘገልግሎን ኣምላኸይ ኣብ ጥቓይ ደው ኢሉ፡ ጳውሎስ፡ ኣብ ቅድሚ ቄሳር ደው ክትብል ኢኻ። እንሆ፡ ነቶም ምሳኻ ዚሳገሩ ኹላቶምውን ኣምላኽ ሂቡካ ኣሎ፡ ኣይትፍራህ፡ በለኒ። 25 ኣቱም ሰብ፡ ኣነ ኸኣ ከምቲ ንሱ ዝነገረኒ ኸም ዚኸውን ንኣምላኽ እኣምኖ እየ እሞ፡ ስለዚ ኣጆኹም። 26 ግናኸ ናብ ሓንቲ ደሴት ክንግፋዕ ኢና። 27 ኣብ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ ለይቲ ኣብ ባሕሪ ኣድርያ ኽንመላለስ ከሎና፡ እቶም ኣገልገልቲ መርከብ ኣብ ፍርቂ ለይቲ ናብ ምድሪ ዝቐረቡ መሰሎም። 28 ሽው መለከዒ ገይሮም እንተ ኣቈሩ፡ ዕስራ ብቕኑመት ሰብ ረኸቡ። ካብኡ ቕሩብ ሕልፍ ኢሎም፡ ካልኣይ ከኣ መለከዒ ገይሮም ኣቈሩ እሞ ዓሰርተው ሓሙሽተ ብቕኑመት ሰብ ረኸቡ። 29 ከውሒ ኣብ ዘሎዎ ኸይንወድቕ ፈሪሆም፡ ብሸነኽ ድሕሪት ነታ መርከብ ኣርባዕተ መልህቕ ኣውረዱ። መዓልቲ ኪኸውን ከኣ ተመነዩ። 30 እቶም ኣገልገልቲ መርከብ ድማ ካብታ መርከብ ኪሃድሙ ደልዮምሲ፡ ብወገን ቅድሚታ መልህቕ ከም ዜውርዱ መሲሎም፡ ነታ ጃልባ ናብ ባሕሪ ኣውረድዋ። 31 ጳውሎስ ከኣ ነቲ ሓለቓ ሚእትን ነቶም ዓቀይትን፡ እዚኣቶም ኣብ መርከብ እንተ ዘይጸንሑ፡ ንስኻትኩም ኣይትድሕኑን ኢኹም፡ በሎም። 32 ሽው እቶም ዓቀይቲ ማእሰር እታ ጃልባ በቲኾም፡ ትውደቕ ሐደግዋ። 33 ጳውሎስ ከኣ፡ እናተጸቤኹም ገለ ኸይጠዓምኩም ጾምኩም ሎሚ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልትኹም እዩ እሞ፡ እንጌራ ብልዑ፡ ኢሉ ምድሪ ኽሳዕ ዚወግሕ ንኹላቶም ለመኖም፡ 34 እምብኣርከ እዚ ንምድሓንኩም ስለ ዝኾነ፡ ካብ ሓደ ኻባኻትኩም ጸጒሪ ርእሲ እኳ ኣይክትጠፍእን እያ እሞ፡ ክትበልዑ እልምነኩም ኣሎኹ፡ በሎም። 35 እዚ ምስ በለ፡ እንጌራ ኣልዒሉ ንኣምላኽ ኣመስገነ፡ ኣብ ቅድሚ ኹላቶም ድማ ቈሪሱ ኺበልዕ ጀመረ። 36 ኲላቶም ከኣ ሃድኡ እንጌራውን በልዑ። 37 ኣብታ መርከብ ዝነበርና ኹላትና ኸኣ ክልተ ሚእትን ሰብዓን ሹድሽተን ነፍሲ ኢና። 38 በሊዖም ምስ ጸገቡ ኸኣ፡ ነቲ ስርናይ ናብ ባሕሪ ደርብዮም፡ ነታ መርከብ ኣቕለሉላ። 39 ምስ ወግሔ ኸኣ፡ ነቲ ምድሪ ኣየለለይዎን። ኣግዕድዮም ግና፡ ገምገም ዘለዎ ልሳን ባሕሪ ረኣዩ እሞ፡ እንተ ተኻእሎምሲ፡ ነታ መርከብ ናብኡ ኼብጽሕዋ ደለዩ። 40 ነቲ መልህቕ ፈቲሖም ከኣ፡ ናብ ባሕሪ ደርበይዎ። ድሕሪኡ ነቲ ማእሰር ስካን ፈትሒዎ፡ ነቲ ንእሽቶ ጋንጽላ ንንፋስ ገቲሮምውን፡ ናብቲ ገምገም ገጾም ከዱ። 41 ኣብ ሓደ ልሳን ምድሪ ምስ በጽሑ ኸኣ፡ ነታ መርከብ ልዕል ኣበልዋ ብወገን ቅድሚታ ኸኣ ተሸኺለት እሞ ዘይትንቕነቕ ኰነት፡ ብወገን ድሕሪታ ግና ማዕበል በርቲዕዋ ተሰብረት። 42 እቶም ዓቀይቲ ድማ ነቶም እሱራት፡ ሓደ እኳ ሓምቢሱ ምእንቲ ኸየምልጥ ኢሎም፡ ኪቕትልዎም ተማኸሩ። 43 እቲ ሓለቓ ሚእቲ ግና ንጳውሎስ ኬድሕኖ ደልዩ ነቲ ምኽሮም ኣይሰመሮን። ነቶም ሓሚሶም ዚኽእሉ ድማ ቅድም ወሪዶም ናብ ምድሪ ኺወጹ ኣዘዘ፡ 44 ነቶም ዝተረፉ ኸኣ፡ ገሊኦም ብሉሕ ገሊኦምውን ብስባር እታ መርከብ ይውጽኡ፡ በለ። በዚ ኸምዚ ኹላቶም ድሒኖም ናብ ምድሪ በጽሑ።

# ምዕራፍ 28

[1] ምስ ደሐንና ኸኣ፡ እታ ደሴት መሊጠ ኸም እትብሃል ፈለጥና። [2] እቶም ደቂ ዓዲ ድማ ኣዝዮም
ደንገጹሎም፡ ዝናም ይዘንም ስለ ዝነበረን፡ ስለቲ ቍርን ድማ፡ ሓዊ ኣንዲዶም ንኹላትና ተቐበሉና። [3]
ጳውሎስ ግዳ ብዙሕ ቀሸም ኣኪቡ ናብ ሓዊ ኼእቱ ኸሎ፡ ተመን፡ ብምኽንያት እቲ ረስኒ ወጺኡ፡ ኣብ
ኢዱ ነኺሱ ጠልጠል በለ። [4] እቶም ደቂ ዓዲ ኸኣ እቲ ኣራዊት ኣብ ኢዱ ጠልጠል ኢሉ ምስ ረኣዩ፡
ንሓድሕዶም፡ እዚ ሰብኣይዚ ብርግጽ ቀታል ነፍሲ እዩ፡ ካብ ባሕሪ እኳ እንተ ደሐነስ፡ እቲ ሕነ ዚፈዲ
ኣምላኽ ብህይወት ኪነብር ኣይሐደጎን፡ ተባሃሀሉ። [5] ንሱ ግና ነቲ ኣራዊት ናብ ሓዊ ጸግ ኣበሎ፡ ገለውን
ኣይጐድኦን። [6] ንሳቶም ከኣ፡ ኪሐብጥ ወይስ ሕጂሕጂ ሞይቱ ኺወድቕ እዩ፡ ኢሎም ይጽበይዎ ነበሩ።
ነዊሕ ምስ ተጸበዩ እሞ እኳ ኸም ዘይጐድኦ ምስ ረኣዩ ኸኣ፡ እዝስ ኣምላኽ እዩ፡ ኢሎም ቃሎም
ለወጡ። [7] ኣብ ጥቓ እታ ስፍራ እቲኣ ኸኣ ናይ ጱብልዮስ ዚብሀል ኣውራ እታ ደሴት ሓያሎ ግርሁ
ነበራ። ንሱ ብፍቕሪ ተቐቢሉ ሰለስተ መዓልቲ ኣኣንገደና። [8] ኰነ ድማ፡ ኣቦ ጱብልዮስ ብዓሶን ብውጽኣት
ከብድን ሐሚሙ ነበረ። ጳውሎስ ከኣ ናብኡ ኣትዩ ጸለየሉ፡ ኣእዳዉ ኣንቢሩውን ኣሕወዮ። [9] እዚ ምስ
ኰነ ድማ፡ እቶም ካልኦት ሕሙማት ደቂ እታ ደሴት ናብኡ መመጺኦም ተፈወሱ። [10] ብብዙሕ ክብሪ
ኸኣ ኣኽበሩና፡ ክንብገስ ከሎናውን፡ ዜድልየና ዘበለ ኣስነቑና። [11] ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ ኸኣ በታ ኣብታ
ደሴት ከሪማ ዝነበረት፡ ዕላማ ድዮስቆሮስ ዘለዋ ናይ እስክንድርያ መርከብ ጌርና ተበገስና። [12] ኣብ
ሲራኩላ ምስ በጻሕና ኸኣ፡ ኣብኣ ሰለስተ መዓልቲ ጸናሕና። [13] ካብኣ ሐሊፍና ኸኣ፡ ናብ ረግዮም ኣቶና።
ንጽብሒቱ ንፋስ ደቡብ እንተ ተላዕለ ድማ፡ ብኻልኣይቲ መዓልቲ ናብ ጱተዮሉስ ኣቶና። [14] ኣብኣ
ኣሕዋት ረኸብና፡ ምሳታቶም ሾብዓተ መዓልቲ ኽንቕኒውን ለመኑና። በዚ ኸምዚ ናብ ሮሜ ኣቶና። [15]
እቶም ኣሕዋት ወሬና ምስ ሰምዑ ኸኣ፡ ክሳዕ ኣጵዮስ ፎሩስን ክሳዕ ሰለስተ መሓድርን ኪቕበሉና መጹ።
ጳውሎስ ከኣ ምስ ረኣዮም፡ ንኣምላኽ ኣመስገነ ልቡውን ሃድኤ። [16] ኣብ ሮሜ ምስ ኣቶና ኸኣ፡ እቲ ሓለቓ
ሚእቲ ነቶም እሱራት ንሓለቓ ሰራዊት ኣሕሊፉ ሃቦም፡ ጳውሎስ ግና ምስ ሓደ ዚሕልዎ ዓቀይታይ
ንበይኑ ኪቕመጥ ተፈቕደሉ። [17] ኰነ ድማ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ ጳውሎስ ነቶም ኣውራታት ኣይሁድ
ጸዊዑ ኣከቦም። ምስ ተኣከቡ ኸኣ፡ በሎም፡ ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ኣነ ምስ ህዝብና ወይስ ምስ ስርዓት
ኣቦታት ዚብኣስ ነገር እኳ ዘይገበርኩስ፡ ካብ የሩሳሌም ብእሱረይ ናብ ኢድ ሮማውያን ኣሕለፉኒ። [18]
ንሳቶም መርሚሮም ናብ ሞት ዜብጽሕ ምኽንያት እንተ ሰኣኑለይ ከኣ፡ ኪፈትሑኒ ደለዩ። [19] ኣይሁድ
ምስ ተረሩ ግና፡ ንህዝበይ ዝኸሰሉ ነገር ዜብለይ ክነሰይሲ፡ ጨኒቑኒ፡ ናብ ቄሳር ይግባኝ፡ በልኩ። [20]
እምብኣርሲ ብዛዕባ ተስፋ እስራኤል እየ በዚ መቑሕ እዚ ተኣሲረ ዘሎኹ እሞ፡ በዚ ምኽንያት እዚ እየ
ኽርእየኩምን ክዛረበኩምን ዝጸዋዕኩኹም። [21] ንሳቶም ከኣ፡ ንሕና ብዛዕባኻ ኻብ ሃገር ይሁዳ ደብዳበ
ኣይተቐበልናን፡ ካብ ኣሕዋት መጺኡ ዘውረየልና ወይስ ብኣኻ ኽፉእ ነገር ዝነገረና የልቦን። [22] ብዛዕባ እዛ
ሻራ እዚኣ ግና ኣብ ኩሉ ቦታ ኸም ዚጻረሩ፡ ንፈልጥ ኢና እሞ፡ እቲ ንስኻ እትሐስቦ ዘሎኻ ኻባኻ
ኽንሰምዖ ንደሊ ኣሎና፡ በልዎ። [23] መዓልቲ ድማ ቈጸሩሉ፡ ብዙሓት ኰይኖም ከኣ ናብታ ሰፈርዋ ዘሎ
ቤት መጹ። ካብ ንግሆ ጀሚሩ ኽሳዕ ምሸት ድማ ካብ ሕጊ ሙሴን ነብያትን ብዛዕባ የሱስ እናኣረድኤ
ብናይ መንግስቲ ኣምላኽ ከኣ እናመስከረ ተርጐመሎም። [24] ገሊኦም ነቲ እተነግረ ኣመንዎ፡ ገሊኦም ግና
ኣበይዎ። [25] ንሓድሕዶም ምልጋብ ስኢኖም፡ ተፋላለዩ፡ ጳውሎስ እዛ ሓንቲ ቓል እዚኣ ምስ ተዛረበ፡
መንፈስ ቅዱስ ብነብዩ ኢሳይያስ ነቦታትኩም ጽቡቕ ተዛረቦም፡ [26-27] ከምዚ ኢሉ፡ ናብዚ ህዝቢ እዚ
ኺድ እሞ ንገሮም፡ በእዛኖም ከይሰምዑ፡ በዒንቶም ከይርእዩ፡ ኣእዛኖም ኣጽመሙ፡ ኣዒንቶም ዓመቱ፡
ብልቦም ከየስተውዕሉ፡ ከይምለሱ፡ ኣነውን ከየሕውዮምሲ፡ ልቢ እዚ ህዝቢዚ ረጒድ እዩ እሞ፡

ምስማዕስ ትሰምዑ ከቶ ኣይተስተውዕሉን፡ ምርኣይውን ትርእዩ ከቶ ኣይትትምቱን ኢኹም። [28] እምብኣርስኸ እዚ ምድሓን ኣምላኽ ነህዛብ ከም እተላእከ፡ ኣባኻትኩም ፍሉጥ ይኹን፡ ንሳቶም ከኣ ኪሰምዕዎ እዮም። [29] እዚ ምስ ተዛረበ፡ ኣይሁድ ንሓድሕዶም ብዙሕ እናተኻራኸሩ ወጹ። [30] ጳውሎስ ከኣ ኣብታ እተኻረያ ቤት ክልተ ዓመት ምሉእ ተቐመጠ፡ ነቶም ናብኡ ዝመጹ ኹሎምውን ይቕበሎም ነበረ። [31] ከይተኸልከለ ኸኣ መንግስቲ ኣምላኽ ብብዙሕ ትብዓት እናሰበኸ፡ ብዛዕባ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ይምህር ነበረ።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ ባርያ የሱስ ክርስቶስ፡ ሃዋርያ ኪኸውን እተጸውዔ፡ ንወንጌል ኣምላኽ እተፈልየ፡ 2 ኣቐዲሙ
ብነብያቱ ኣብ ቅዱሳት ጽሑፋት ዘተስፈዎ፡ 3 ብዛዕባ ወዱ፡ ብስጋ ኻብ ዘርኢ ዳዊት እተወልደ፡ 4 ንሱ
የሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታና፡ ካብ ምዉታት ብምትንሳኡ፡ ብመንፈስ ቅድስና ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ብሓይሊ
እተጋህደ፡ 5 ስለ ስሙ ኣብ ኲሎም ኣህዛብ ምእዛዝ እምነት ክንተክል፡ ብእኡ ጸጋን ሃዋርያነትን
እተቐበልና፡ 6 ንስኻትኩም ከኣ ምሳታቶም ጽዉዓት የሱስ ክርስቶስ ኢኹም፡ 7 ኣብ ሮሜ ንዘሎኹም
ጽዉዓትን ቅዱሳንን ፍቁራት ኣምላኽ ኲላትኩም። ካብ ኣቦና ኣምላኽን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን
ጸጋን ሰላምን ይሃሉኹም። 8 እምነትኩም ኣብ ኲላ ዓለም ስለ እተወርየት፡ ቅድሚ ኹሉ ብዛዕባ
ኹላትኩም ንኣምላኸይ ብየሱስ ክርስቶስ ኤመስግኖ ኣሎኹ። 9-12 ንምጽናዕኩም ገለ መንፈሳዊ ውህበት
ከመቕለኩም፡ ክርእየኩም እናፍቕ ኣሎኹ፡ ማለት፡ በታ ኣብ ሓድሕድና ዘላ እምነት፡ናትኩምን ናተይን፡
ኣባኹምን ምሳኹምን፡ምእንቲ ኽንጸናናዕሲ፡ ብዘይ ምቁራጽ ከም ዝሐስበኩም፡ ብፍቓድ ኣምላኽ እንተ
ሰለጠንስ፡ ብገለ መገዲ ኣብ መወዳእታ ናባኻትኩም ክመጽእ፡ ብጸሎተይ ኲሉ ሳዕ ከም ዝልምን፡ እቲ
ብወንጌል ወዱ ብመንፈሰይ ዘገልግሎ ኣምላኽ ይምስክረለይ እዩ። 13 ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ከምቲ ኣብቶም
ካልኦት ኣህዛብ፡ ኣባኻትኩምውን ፍረ ምእንቲ ኽረክብሲ፡ ናባኻትኩም ንምምጻእ፡ ምኽረይ ከም
ዝቔረጽኩ፡ክሳዕ ሕጂ ግና ከም እተኸልከልኩ፡ክትፈልጡ እፈቱ ኣሎኹ። 14 ንጽርኣውያንን ንኻልኦት
ኣህዛብን ንለባማትን ንዓያሱን ዕዳ ኣሎኒ። 15 ስለዚ ብናይ ርእሰይሲ ኣብ ሮሜ ንዘሎኹምውን ወንጌል
ክሰብከልኩም ተዳልየ ኣሎኹ። 16 ወንጌል ቅድም ንኣይሁዳዊ ሽምኡውን ንጽርኣዊ፡ ንዚኣምን ዘበለ
ኹሉ ሓይሊ ኣምላኽ ንምድሓን እዩ እሞ፡ ብወንጌል ኣይሐፍርን እየ። 17 ከምቲ ጽሑፍ፡ ጻድቕ ግና
ብእምነት ይነብር፡ ዚብል፡ እቲ ጽድቂ ኣምላኽ ካብ እምነት ናብ እምነት ብእኡ ይገሃድ እዩ። 18 ቊጥዓ
ኣምላኽ ካብ ሰማይ ኣብ ረሲእነትን ዓመጻ ዘበለ ኹሉን ነቲ ሓቂ ብዓመጻ ኣብ ዚኸድንዎ ሰባት ይግለጽ
እዩ። 19 ኣምላኽ ገሊጹሎም እዩ እሞ፡ እቲ ብዛዕባ ኣምላኽ ዚፍለጥ ዘበለ ኣባታቶም ግሉጽ እዩ፡ 20
ዜማኻንይዎ ምእንቲ ኺስእኑስ፡ እቲ ኻብ ፍጥረት ዓለም ጀሚሩ ብግብሩ ዚፍለጥ ዘይርኤ ባህርዩ፡ እዚ
ኸኣ እቲ ናይ ዘለኣለም ሓይሉን መለኮቱን ኣጸቢቑ ይርኤ። 21 ግናኸ ንኣምላኽ እናፈለጥዎስ፡ ከም
ኣምላኽ ገይሮም ስለ ዘየኽበርዎን ዘየመስገንዎን ብሓሳቦም ከንቱ ኾኑ፡ እቲ ዘየስተውዕል ልቦምውን
ጸልመተ። 22-23 ለባማት ኢና እናበሉ ዐሸዉ እሞ፡ ንኽብሪ እቲ ዘይሐልፍ ኣምላኽ ናብ ምስሊ ሓላፊ
ሰብን ኣዕዋፍን ኣርባዕተ መሓውር ዘለዎም እንስሳን ለመም ዚብልን ንዚመስል ለወጥዎ። 24-25 ነቲ ሓቂ
ኣምላኽ ናብ ሓሶት ስለ ዝለወጥዎ፡ ኣብ ክንዲ ፈጣሪ፡ንሱ ንዘለኣለም እተባረኸ እዩ፡ ኣሜን፡ንፍጡር ስለ
ዘምለኹን ዘገልገሉን፡ ኣምላኽ ከኣ ስጋ ሓድሕዶም ኬሕስሩ ብትምኒት ልቦም ንርኽሰት ኣሕሊፉ ሃቦም።
26 ስለዚ ኣምላኽ ንዜነውር ፍትወት ኣሕሊፉ ሃቦም። ደቂ ኣንስትዮኦም ነቲ ናይ ባህርይ ተራኽቦኤን ናብ
ናይ ዘይባህርየን ለወጣኦ። 27 እቶም ተባዕትዮውን ከምኡ ነቲ ናይ ባህርይ ምርኻብ ጓል ኣንስተይቲ
ሐዲጎም፡ ኣብ ንሓድሕዶም ብትምኒቶም ረሰኑ፡ ሰብኡት ኣብ ሰብኡት ነውሪ ገበሩ፡ ግቡእ ዓስቢ
ስሕተቶም ከኣ ኣብ ርእሶም ተቐበሉ። 28 ከምቲ ኣምላኽ ኣብ ፍልጠቶም ኪሕዝዎ ዘየቋጸርዎ፡ ኣምላኽ
ከኣ ከምኡ ዘይንቡር ኪገብሩ ንሕሱር ኣእምሮ ኣሕሊፉ ሃቦም። 29 ዓመጻ ዘበለ፡ ሕሰም፡ ስስዔ፡ ክፍኣት

ዝመልኦም፡ ምሉኣት ቅንኣት፡ ቅትለት፡ ባእሲ፡ ተንኰል፡ እከይ፡ 30 መሕሸኹሸኹቲ፡ ሓመይቲ፡ ኣብ
ኣምላኽ ጽሉኣት፡ ገፋዕቲ፡ ኩሩዓት፡ ተጀሃርቲ፡ ተጣበብቲ እከይ፡ ንወለዶም ዘይእዘዙ፡ 31 ደናቖርቲ፡
ጠለምቲ፡ ፍቕሪ ዜብሎም፡ ዘይድንግጹ፡ 32 እዚኣቶም፡ ነቶም ከምዚ ዝበለ ዚገብሩ ሞት ከም ዚግብኦም፡
ነቲ ቕኑዕ ፍርዲ ኣምላኽ እናፈለጥዎ ኽነሶምሲ፡ ምስቶም ዚገብርዎ ድማ ይሰምሩ ኣለዉ እምበር፡
ዚገብርዎ ጥራይ ኣይኰኑን።

## ምዕራፍ 2

1 ስለዚ፡ ኣታ እትፈርድ ሰብ፡ ዝኾንካ እንተ ኾንካ፡ ነቲ እትፈርዶስ ትገብሮ ስለ ዘሎኻ፡ በቲ ንኻልእ
እትፈርዶ ንርእስኻ ትኹንን ኣሎኻ እሞ፡ ምኽንያት የብልካን። 2 ንሕናስ ኣብቶም ከምዚ ዝበለ ዚገብሩ
እቲ ፍርዲ ኣምላኽ ሓቂ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና። 3 ኣታ ኣብቶም ከምዚ ዝበለ ዚገብሩ እትፈርድ
ባዕልኻውን እትገብሮ ሰብ፡ ካብቲ ፍርዲ ኣምላኽ እትመልቐዮ ይመስለካ ኣሎ፧ 4 ወይ ከኣ ሕያውነት
ኣምላኽ ናብ ንስሓ ኸም ዚስሕበካ ሰኣን ምፍላጥካ ሃብቲ ሕያውነቱን ጸዋር ምዃኑን ዓቕሉንዶ ትንዕቕ
ኣሎኻ፧ 5 ግናኸ ብትርኻን ብዘይ ምንሳሕ ልብኻን ነቲ ብመዓልቲ ቑጥዓን ምግላጽ ቅኑዕ ፍርዲ
ኣምላኽን ዚወርድ ቍጥዓ ኣብ ርእስኻ ትእክብ ኣሎኻ። 6 ንሱ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኺፈድዮ እዩ።
7 ማለት፡ ነቶም ሰናይ እናገበሩ ተዐጊሶም ግርማን ክብርን ዘይምጥፋእን ዚደልዩ፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት
ኪህቦም እዩ። 8 ነቶም ንዓመጻ ዚእዘዙ እምበር፡ ንሓቂ ዘይእዘዙ መሻረውቲ ግና ቍጥዓን መዓትን
ኪወርዶም እዩ። 9 እከይ ንትገብር ዘበለት ኲላ ነፍሲ ሰብ፡ ጭንቀትን ጸበባን ኪወርዳ እዩ፡ ቅድም
ንኣይሁዳዊ ኸምኡ ኸኣ ንጽርኣዊ። 10 ሰናይ ንዚገብር ዘበለ ዅሉ ግና ግርማን ክብርን ሰላምን ኪውህቦ
እዩ፡ ቅድም ንኣይሁዳዊ ኸምኡ ኸኣ ንጽርኣዊ። 11 ኣብ ኣምላኽሲ ኣድልዎ ገጽ የልቦን። 12-13 ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽ እቶም ገበርቲ ሕጊ ደኣ እዮም ዚጸድቁ እምበር፡ ሰማዕቲ ሕግስ ጻድቃን ኣይኰኑን እሞ፡ እቶም
ብዘይ ሕጊ ሓጢኣት ዝገበሩ ዘበሉ ብዘይ ሕጊ ኺጠፍኡ እዮም፡ እቶም ሕጊ ኸለዎም ሓጢኣት ዝገበሩ
ዘበሉ ዅላቶም ከኣ በቲ ሕጊ ኺፍረዱ እዮም። 14-15 እቶም ሕጊ ዜብሎም ኣህዛብ፡ ሕሊናኦም
እናመስከረሎም ሓሳቦምውን ንሓድሕዱ እናተኻሰሰ ወይስ እናተኻላኸለ፡ እቲ ግብሪ ሕጊ ኣብ ልቦም
ጽሑፍ ምዃኑ የርእዩ ኣለዉ እሞ፡ ነቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ብባህርዮም ተደሪኾም ካብ ዚገብርዎስ፡ ንሳቶም
ሕጊ እንተ ዜብሎም እኳ፡ ንርእሶም ሕጊ እዮም። 16 በታ፡ ከም ወንጌለይ ገይሩ፡ ኣምላኽ ነቲ ምስጢራት
ሰብ ብየሱስ ክርስቶስ ዚፈርደላ መዓልቲ ኸምኡ ኪኸውን እዩ። 17 ግናኸ ንስኻ፡ ኣይሁዳዊ እንተ
ተብሃልካ፡ ብሕጊ እንተ ተኣመንካ ብኣምላኽውን እንተ ተሐበንካ፡ 18 ፍቓዱ እንተ ፈለጥካ፡ ካብ ሕጊ
ተምሂርካውን እቲ ቕኑዕ መርሚርካ እንተ ፈሌኻ፡ 19 መራሕ ዕዉራት፡ ኣብ ጸልማት ንዘለዉ ብርሃን
ምዃንካውን ብርእስኻ እንተ ተኣመንካ፡ 20 ንስኻ ንዓያሱ መለበሚ፡ ንቈልዑ መምህር፡ ኣብ ሕጊውን
ምስሊ ፍልጠትን ሓቅን ዘሎካ ኢኻ። 21 እምብኣርሲ ኣታ ንኻልእ እትምህር፡ ንርእስኻስ ኣይትምህራን
ዲኻ፧ ኣታ፡ ኣይትስረቑ፡ ኢልካ እትሰብኽ። ባዕልኻዶ ትሰርቕ፧ 22 ንስኻ፡ ኣይትዘምዉ፡ እትብል፡
ባዕልኻዶ ትዝሙ፧ ንስኻ ጣኦት እትፍንፍን፡ ባዕልኻዶ ቤተ መቕደስ ትሰርቕ፧ 23-24 ከምቲ፡ ብሰርኹም
ስም ኣምላኽ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ይጽረፍ እዩ፡ ዚብል ተጽሒፉ ዘሎ፡ ኣታ ብሕጊ እትምካሕ፡ ሕጊ
ብምፍራስካዶ ንኣምላኽ ተሕስሮ ኣሎኻ፧ 25 ግዝረትሲ፡ ሕጊ እንተ ሐሎኻ፡ ትጠቅም እያ እሞ፡ ሕጊ
እንተ ኣፍረስካ ግና፡ እታ ግዝረትካ ዘይግዝረት እያ እትኸውን። 26 እምብኣርሲ እቲ ዘይግዙር ነቲ ሕጊ
ዚደልዮ ስርዓት እንተ ሐለዎ፡ እቲ ዘይምግዛሩዶ ኸም ግዝረት ኰይኑ ኣይቍጸረሉን እዩ፧ 27 እቲ ኻብ

ባህርዩ ዘይግዙር ከነሱ ሕጊ ዚሕሉ፡ ንኣኻ፡ ብፊዴልን ብግዝረትን ሕጊ ንትፍርስ፡ ኪፈርደካ እዩ። 28
ብዚርኤ ኣይሁዳዊ ምኳን ኣይሁዳዊ ኣይኮነን እሞ፡ እታ ብዚርኤ ኣብ ስጋ እትግበር ግዝረትውን
ግዝረት ኣይኮነትን። 29 እቲ ብውሽጢ ኣይሁዳዊ ዝኾነ ግና፡ ንሱ ኣይሁዳዊ እዩ። እታ ግዝረት ከኣ
ግዝረት ልቢ ብመንፈስ እያ እምበር፡ ብፊዴል ኣይኮነትን። እቲ ንእዶኡውን ካብ ኣምላኽ እዩ እምበር፡
ካብ ሰብ ኣይኮነን።

## ምዕራፍ 3

1 እምብኣርሲ ኣይሁዳዊ ደኣ እንታይ እዩ ረብሓኡ፧ ጥቕሚ ግዝረትሲ እንታይ እዩ፧ 2 ብኹሉ ወገን
ብዙሕ እዩ። ቅድሚ ኹሉ፡ ቃል ኣምላኽ ንኣታቶም ሕድሪ ተውሂብዎም እዩ። 3 ሓያሎ ኻባታቶም
ዘይእሙናት እንተ ኾኑ ግዲ እንታይ እዩ፧ እቲ ዘይእሙናት ምዃኖምዶ ነቲ ናይ ኣምላኽ እምንነት ከንቱ
ይገብሮ እዩ፧ 4 ያእ ኣይፋሉን። ከምቲ፡ ብቓላትካ ኽትጸድቕ፡ ምስ ዚፍረደካውን ከትረትዕ ኢኻ፡ ዚብል
ጽሑፍ ደኣ፡ ኣምላኽ ሓቀኛ ምዃኑ፡ ኲሉ ሰብ ግና ሓሳዊ ምዃኑ ይረኸብ። 5 እቲ ዓመጻናስ ጽድቂ
ኣምላኽ ዜርኢ ኻብ ኮነኸ፡ እንታይ ንበል፧ ኣምላኽ ቊጥዓኡ ምስ ዜውርድሲ፡ ዓማጺ ድዩ፧ከም
ኣዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ። 6 ኣይፋሉን። ከመይ ኢሉ ደኣ ኣምላኽ ንዓለም ምፈረዳ፧ 7 እቲ ሓቂ
ኣምላኽ በቲ ሓሶተይ ንኽብሩ ኻብ ወሰኸ፡ ስለምንታይ ደኣ ኣነ ኸም ሓጥእ ኰይነ ዝፍረድ፧ 8 ከመይ ደኣ
ኸምቲ ዚጸርፉናን ገሊኦምውን፡ ጽቡቕ ምእንቲ ኺመጽእሲ ኽፉእ ንግበር፡ ከም እንብል ዚብሉናን፡
ዘይንገብር፧ ደይኒ ነዚኣቶም ቅኑዕ እዩ። 9 እንታይ ደኣ እዩ፧ ካባታቶም እንሔሽሎዶ ኣሎና፧ ሓንቲ እኳ፡
ኣይሁድ ኰነ ወይስ ጽርኣውያን፡ ኲላቶም ትሕቲ ሓጢኣት ምዃኖም ቅድም ከሲስና ኣሎና። 10
ከምኡውን ተጽሒፉ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ጻድቕ የልቦን፡ 11 ሓደ እኳ ዜስተብህል የልቦን፡ ሓደ እኳ ንኣምላኽ
ዚደልዮ የልቦን። 12 ኲላቶም ዘምበሉ፡ ኲላቶም ሓቢሮም ዘይጠቕሙ ኾኑ፡ ጽቡቕ ዚገብር የልቦን፡ ሓደ
እኳ የልቦን። 13 ጐረሮኦም ክፉት መቓብር እዩ፡ ብልሳውንቶም ይጥብሩ፡ ኣብ ትሕቲ ኸናፍሮም ሕንዚ
መንደልቶ ኣሎ። 14 ኣፎም መርገምን ምረን ምሉእ እዩ። 15 ኣእጋሮም ንምፍሳስ ደም ቅልጡፍ እዩ። 16
ኣብ መገዶም ጥፍኣትን ጸበባን ኣሎ፡ 17 ንመገዲ ሰላም ከኣ ኣይፈልጥዋን እዮም። 18 ኣብ ቅድሚ
ኣዒንቶምውን ፍርሃት ኣምላኽ የልቦን። 19 ግናኸ ኹሉ ኣፍ ምእንቲ ኺዕጾ፡ ኲላ ዓለምውን ትሕቲ
ፍርዲ ኣምላኽ ክትከውንሲ፡ እቲ ሕጊ ዚብሎ ዘበለ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ኸም ዚዛረቦም፡
ንፈልጥ ኢና። 20 ሕግስ ሓጢኣት እዩ ዜፍልጥ እሞ፡ ስለዚ ስጋ ዝለበሰ ኹሉ ኣብ ቅድሚኡ ብግብሪ ሕጊ
ዚጸድቕ የልቦን። 21 ሕጂ ግና እቲ ብሕግን ነብያትን እተመስከረሉ ጽድቂ ኣምላኽ ብዘይሕጊ ተገልጸ። 22
ማለት፡ ጽድቂ ኣምላኽ ብምእማን ብየሱስ ክርስቶስ ንዚኣምኑ ኹላቶም እዩ፡ በዚ ሌላን ጕሌላን የልቦን
እሞ፡ 23 ኲሎም ሓጢኦም ክብሪ ኣምላኽውን ስኢኖም። 24 በቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ በጃ ምሕላፍ
ብኸምኡ ብጸጋኡ ይጸድቁ። 25 ንእኡ ኸኣ፡ ነቲ ቐደም ብትዕግስቲ ኣምላኽ እተገብረ ሓጢኣት ይሕለፍ
ስለ ዝሓደገ፡ ኣምላኽ ጽድቁ ምእንቲ ኼርኢ፡ ብእምነት ብደሙ መተዓረቒ ገይሩ ኣቘሞ። 26 ንሱ ጻድቕ
ኪኸውን፡ ካብ እምነት የሱስ ንዝበለውን ኬጽድቕ፡ ሕጂ ኣብዚ ዘመን እዚ ጽድቁ ኺገልጽ እዩ። 27
ምሕባን ደኣ ኣበይ ኣሎ፧ ተሪፉ። በየናይ ሕጊ፡ ብሕጊ ግብሪዶ፡ ኣይኮነን ብሕጊ እምነት ደኣ እዩ። 28
ስለዚ ኸኣ ሰብ ብዘይግብሪ ሕጊ ብእምነት ከም ዝጽጸድቕ፡ ንብል ኣሎና። 29-30 ወይስ ኣምላኽ ናይ
ኣይሁድ ኣምላኽ ጥራይ ድዩ፧ ኣምላኽ ኣህዛብሲ ኣይኮነንዶ፧ እቲ ንግዙር ካብ እምነት፡ ንዘይግዙርን
ብእምነት ዜጽድቕ ኣምላኽ ሓደ ስለዝኾነ፡ እወ ናይ ኣህዛብውን እባ እዩ። 31 እምበኣርሲ ንሕጊዶ

ብእምነት ነፍርሶ ኣሎና፡ ያእ ኣይፋልናን፡ ንሕግስ እባ ነደልድሎ ደኣ ኣሎና።

## ምዕራፍ 4

1 እምበኣርሲ ኣብርሃም ኣቦና፡ ብስጋ እንታይ ረኺቡ፡ ክንብል ኢና፡ 2 ኣብርሃም ብግብሪ ጻዲቑ እንተ
ዝኸውንሲ፡ ገለ ዚምክሓሉ ምረኸበ ነይሩ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግና ኣይኰነን። 3 እቲ ጽሑፍከ እንታይ
ይብል፧ ኣብርሃም ብኣምላኽ ኣመነ እሞ እዚ ንጽድቂ ኰይኑ ተቘጽረሉ። 4 ነቲ ዚገብር ግና ዓስቡ ኸም
ዕዳ ኰይኑ እዩ እምበር፡ ከም ጸጋ ኣይኰነን ዚቝጸረሉ። 5 ነቲ በቲ ንሓጥእ ዜጽድቕ ዚኣምን እምበር፡
ዘይገብር ግና፡ እታ እምነቱ ንጽድቂ ትቝጸረሉ እያ። 6 ዳዊት ከኣ ነቲ፡ ኣምላኽ ብዘይግብርስ ጽድቂ
ዚቘጽረሉ ሰብ ብጹእ እዩ ከም ዚበሎ፡ 7 እቶም ዓመጻኦም እተሓድገሎም ሓጢኣቶምውን
እተኸድነሎም፡ ብጹኣን እዮም። 8 ኣምላኽ ሓጢኣቱ ዘይቁጸረሉ ሰብ ብጹእ እዩ። 9 እምበኣርከ፡
ንኣብርሃም እታ እምነቱ ጽድቂ ኰይና ተቘጽረትሉ፡ ንብል ኣሎና እሞ፡ እዛ ብጽእና እዚኣ ንግዙራት
ጥራይ ድያ ወይስ ንዘይተገዝሩውን፡ 10 ከመይ ኢላኸ እያ እተቘጽረትሉ፧ ብግዝረት ከሎ ድያ ወይስ
ብዘይግዝረት፧ ብዘይግዝረት ከሎ እያ እምበር፡ ብግዝረት ከሎስ ኣይኰነትን። 11 ነቶም ጽድቂ ምእንቲ
ኪቝጸረሎም ኢሎም ከይተገዝሩ ኸለዉ ዚኣምኑ ኹሎም፡ ኣቦኦም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ንማሕተም
እታ ብዘይግዝረት ከሎ ዝረኸባ ጽድቂ እምነት ናይ ግዝረት መፈለጥታ ተቐበለ። 12 ኣቦ ግዙራትውን
ኪኸውን፡ ማለት፡ ነታ ንኣብርሃም ኣቦና ብዘይግዝረት ከሎ ዝነበረቶ እምነት፡ ኣስኣሰራ ንዚኸዱ እምበር፡
ካብ ግዝረት ንዘበሉ ጥራይ ኣይኰነን። 13 እታ ንኣብርሃም ወይስ ንዘርኡ፡ ወራስ ዓለም ምእንቲ
ኪኸውን፡ እተዋሃበቶ ተስፋ ብጽድቂ እምነት እያ እምበር፡ ብሕጊ ኣይኰነትን እሞ፡ 14 እቶም ካብ ሕጊ
ዝኾኑ እንተ ዚወርሱስ፡ እምነት ከንቱ ምኾነት፡ እታ ተስፋውን ምተጠልመት ነይራ። 15 እቲ ሕግስ
ቍጥዓ እዩ ዜምጽእ እሞ፡ ኣብቲ ሕጊ ዜብሉ ግና፡ ኣብኡ ምፍራስውን የልቦን። 16 ስለዚ ኻብ እምነት
ኣብርሃም ንዝኾነ ኹሉ ዘርኢ ኸኣ እዩ እምበር፡ ካብ ሕጊ ንዝኾነ ጥራይ ኣይኰነን። እታ ተስፋ
ኽትጸንዕ፡ ብጸጋ ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ብእምነት እዩ ዚኸውን። ኣብርሃም ከኣ ኣቦ ኹላትና እዩ፡ 17
ከምቲ፡ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ገይረካ ኣሎኹ፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ኣብ ቅድሚ እቲ ዝኣመኖ፡ ንምዉታት
ዜተንስኦም፡ ነቲ ዘየሎውን ከም ህልዊ ገይሩ ዚጽውዖ ኣምላኽ፡ 18 ከምቲ ብሁል ድማ፡ ዘርእኻ ኸምዚ
ኪኸውን እዩ፡ ተስፋ ኣብ ዜብሉስ፡ ኣቦ ብዙሓት ኣህዛብ ኪኸውን ብተስፋ ኣመነ። 19 ኣስታት ወዲ
ሚእቲ ዓመት ክነሱ፡ ሙማት ስጋኡን ሙማት ማሕጸን ሳራን እናረኣየ፡ ንምእማን ኣይደኸመን፡ 20 ግናኸ
ንኣምላኽ ክብሪ እናሃበ ንምእማን በርትዔ እምበር፡ ነታ ተስፋ እምላኽ ብዘይምእማኑ ኣይ ተዋላወለን።
21 ነታ ዝሃቦ ተስፋ ኺገብራውን ክእለት ከም ዘለዎ፡ ኣጸቢቑ ተረዲኡ ነበረ። 22 ስለዚ ድማ ንጽድቂ
ተቘጽረትሉ። 23-24 እዚ ኸኣ ስሌናውን እምበር፡ ስሊኡ ጥራይ ከም እተቘጽረሉ ኣይተጻሕፈን። ንኣና፡
በቲ ንየሱስ ጐይታና ካብ ምዉታት ዘተንስኦ ንንኣምን ከኣ፡ ይቝጸረልና እዩ። 25 ንሱ ብሰሪ ሓጢኣትና
በጃ ተዋህበ፡ ስለ ጽድቅናውን ተንስኤ።

## ምዕራፍ 5

1 እምብኣርሲ ብእምነት ካብ ጸደቕና፡ ምስ ኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሰላም ይሃልወና። 2
ብእኡ ኸኣ ናብዚ ዘሎናዮ ጸጋ ብእምነት ምእታው ዝረኸብና፡ ብተስፋ ኽብሪ ኣምላኽውን ንምካሕ

ኣሎና። 3 ግናኸ ብጸበባ ድማ ንመካሕ እምበር፡ እቲ ጸበባስ ትዕግስቲ ኸም ዜምጽእ ስለ ዝፈለጥና፡ በዚ
ጥራይ ኣይኰነን። 4 ትዕግስቲ ድማ ምፍታን፡ እቲ ምፍታንውን ተስፋ፡ 5 በቲ እተዋህበና መንፈስ ቅዱስ
ፍቕሪ ኣምላኽ ኣብ ልብና ስለ ዝፈሰሰ፡ እታ ተስፋ ድማ ኣይተሕፍርን እያ። 6 ገና ድኹማት ከሎና፡
ክርስቶስ ብጊዜኡ ምእንቲ ዓመጽቲ ሞተ። 7 ኣብ ክንዲ ሓደ ጻድቕ ዚመውት እኳ ዘርከብ ኣይመስልን፡
እንድዒ ኣብ ክንዲ እቲ ጽቡቕ ዝገበረሉ ኺመውት ዚደፍርሲ ምናልባሽ ኣይምተሳእነን ይኸውን፡ 8
ግናኸ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና፡ ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ፡ ኣምላኽ እታ ፍቕሩ ንኣና በዚ
የርኢ ኣሎ። 9 እምብኣርሲ ሕጂ ብደሙ ምስ ጸደቕና ደኣ፡ ክንደይ ካብቲ ቑጥዓ ብእኡ ኣዚና
ዘይንድሕን። 10 ጸላእቱ ኸሎና፡ ምስ ኣምላኽ ብሞት ወዱ ተዓረቕና፡ ካብ ተዓረቕና ደኣ፡ ክንደይ
ብህይወቱ ኣዚና ዘይንድሕን። 11 ግናኸ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ብእኡ ሕጂ ዕርቂ ዝረኸብና፡
ብኣምላኽውን ንምካሕ ኣሎና እምበር፡ እዚ ጥራይ ኣይኰነን። 12 ስለዚ ኸኣ ከምቲ ብሰሪ ሓደ ሰብኣይ
ሓጢኣት ናብ ዓለም ዝኣተወ፡ ብሓጢኣትውን ሞት፡ ኲላቶም ስለ ዝበደሉ ድማ፡ ሞት ናብ ኲሉ ሰብ
ሐለፈ። 13 ሕጊ ኽሳዕ ዚመጽእ፡ ሓጢኣት ኣብ ዓለም ነበረ እሞ፡ ኣብቲ ሕጊ ዜብሉ ግና ኣብኡ ሓጢኣት
ኣይቍጸርን እዩ። 14 ሞት ግና ካብ ኣዳም ጀሚሩ ኽሳዕ ሙሴ ኣብቶም ማዕረ እቲ ኣበሳ ኣዳም ሓጢኣት
ዘይገበሩውን ሰልጠነ፡ ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ እዩ። 15 ግናኸ እቲ ውህበት ጸጋ ኸንድቲ ኣበሳ
ኣይኰነን። ብኣበሳ ሓደ ሰብኣይ ብዙሓት ሞይቶም እዮም እሞ፡ እቲ ጸጋ ኣምላኽን ውህበቱን ብጸጋ እቲ
ሓደ ሰብኣይ፡ ማለት የሱስ ክርስቶስ፡ ናብቶም ብዙሓት እምብዛ ይዓዝዝ እዩ። 16 እቲ ውህበት ከኣ
ብመጠን እቲ ሓጢኣት ዝገበረ ሐደ ሰብኣይ ኣይኰነን። ፍርዲ ኻብ ሓደ ንኹነኔ መጸ፡ እቲ ውህበት ጸጋ
ግና ካብ ብዙሕ ኣበሳ ንምጽዳቕ መጸ። 17 ሞት ብኣበሳ እቲ ሓደ በቲ ሓደ ኻብ ገዝኤ፡ እቶም ትርፊ ጸጋን
ውህበት ጽድቅን እተቐበሉ ኸኣ በቲ ሓደ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ህይወት ኣዝዩ ብዙሕ ኪገዝኡ እዮም። 18-
19 እምብኣርሲ እቶም ብዙሓት በቲ ዘይምእዛዝ ሓደ ሰብኣይ ሓጥኣን ከም ዝኾኑ፡ ከምኡ ኸኣ ብምእዛዝ
እቲ ሓደ እቶም ብዙሓት ጻድቃን ኪኾኑ እዮም እሞ፡ ከምቲ ብሓንቲ ኣበሳ ናብ ኲሉ ሰብ ኵነኔ
ዝመጸ፡ ከምኡ ድማ ብሓንቲ ግብሪ ጽድቂ እቲ ምጽዳቕ ንህይወት ናብ ኲሉ ሰብ መጸ። 20 ኣበሳ ምእንቲ
ኺዐዝዝሲ፡ ሕጊ ኣተወ፡ ኣብቲ ሓጢኣት ዝዓዘዞ ግና፡ ኣብኡ እቲ ጸጋ ኣዝዩ ዓዘዘ። 21 ከምቲ ሓጢኣት
ብሞት ዝገዝኤ፡ ጸጋውን ከምኡ ብየሱስ ክርስቶስ ጐይታና ብጽድቂ ንዘለኣለም ህይወት ኪገዝእ እዩ።

## ምዕራፍ 6

1 እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፧ ጸጋ ምእንቲ ኺዓዝዝሲ፡ ኣብ ሓጢኣትዶ ንጽናዕ፡ 2 ያእ ኣይፋልናን።
ንሕና ኻብ ሓጢኣት ዝሞትና፡ ከመይ ኢልና ሕጂ ኣብኡ ኽንነብር፧ 3 ወይስ ብክርስቶስ የሱስ
እተጠመቕና ዘበልና ኹላትና ብሞቱ ኸም እተጠመቕናዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 4 እምብኣርሲ ኸምቲ
ክርስቶስ ብኽብሪ ኣቦኡ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ፡ ከምኡ ኸኣ ንሕና ብሓዳስ ህይወት ምእንቲ
ኽንመላለስ፡ ናብ ሞት ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርና። 5 ሞትና ንሞቱ መሲሉ ሕቡራቱ እንተ ኾንናስ፡
ከምኡ ኸኣ ብትንሳኤኡ ኽንሐብሮ ኢና። 6-7 እቲ ዝሞተ ኻብ ሓጢኣት ሓራ ወጺኡ እዩ እሞ፡ እዚ ደጊም
ንሓጢኣት ከይግዛእ፡ እቲ ናይ ሓጢኣት ስጋ ምእንቲ ኺጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብና ምስኡ ኸም
እተሰቕለ፡ ፈሊጥና ኣሎና። 8-9 እቲ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ ክርስቶስ መሊሱ ኸም ዘይመውት፡
ሞትውን ኣብኡ ኸም ዘይመልኽ ፈሊጥና፡ ንሕና ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትናስ፡ ምስኡ ድማ ብህይወት
ከም እንነብር፡ ንኣምን ኣሎና። 10 ማለት፡ ሞቱ ሓንሳእ ንኹሉ ጊዜ ኻብ ሓጢኣት እዩ ዝሞተ፡ ህይወቱ

ግና ንኣምላኽ እዩ ዚነብር። 11 ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ካብ ሓጢኣት ከም ዝሞትኩም፡ ብክርስቶስ
የሱስ ግና ንኣምላኽ ህያዋን ከም ዝዀንኩም፡ ርእስኹም ቊጸሩ። 12 እምብኣርሲ ንትምኒቱ ኽይትእዘዙ፡
ኣብዚ መዋቲ ስጋኹም ሓጢኣት ኣይንገስ። 13-14 ትሕቲ ጸጋ እምበር፡ ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኰንኩም፡
ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ እሞ፡ ከም ሞይቶም ዝተንስኡ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፡
ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበርዎ፡ ንኣካላትኩምሲ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ
ግበርዎ። 15 እንታይከ ንበል፧ ትሕቲ ጸጋ እምበር፡ ትሕቲ ሕጊ ኻብ ዘይኰንናስ፡ ሓጢኣትዶ ንግበር፧ ያእ
ኣይፋልናን። 16 ንምእዛዙ ባሮት ክትኰኑ ርእስኹም ንትህብዎ፡ ንሓጢኣት እንተ ዀይኑ ንሞት፡ ንምእዛዝ
እንተ ዀይኑ ንጽድቂ፡ ነቲ እትእዘዝዎስ ባሮቱ ኸም ዝዀንኩምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 17-18 ቀደም
ባሮት ሓጢኣት ኔርኩምሲ፡ ካብ ሓጢኣት ሓራ ምስ ወጻእኩም፡ ንጽድቂ ተገዛእኩም፡ ነቲ
እተወሃብኩምዎ ምሳሌ ምህሮ ኻብ ልቢ ስለ እተኣዘዝኩም ግና፡ ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። 19 ስለ
ድኻም ስጋኹም በዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ፡ ከምቲ ንርኽሰትን ግፍዕን ናብ ምፍራስ ሕጊ ኣካላትኩም
ንባርነት ዝወፈኹም፡ ከምኡ ድማ ሕጂ ንጽድቂ ናብ ቅድስና ኺግዛእ፡ ኣካላትኩም ወፍዩ። 20 ባሮት
ሓጢኣት ከሎኹምሲ፡ ካብ ጽድቂ ውጹኣት ሓራ ኢኹም ዝነበርኩም። 21 መወዳእታኡ ሞት ስለ ዝዀነ፡
በዚ ሎሚ እትሐፍሩሉ ዘሎኹም እንተ ዘይኰይኑስ፡ በቲ ጊዜ እቲ እንታይ ፍሪኡ ነይሩኩም፧ 22-23 ዓስቢ
ሓጢኣትሲ ሞት እዩ፡ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።
ሕጂ ግና ካብ ሓጢኣት ሓራ ስለ ዝወጻእኩም፡ ንኣምላኽውን ስለ እተገዛእኩምዎ፡ ፍሬኹም ንቕድስና
ዀይኑ ኣሎ፡ መወዳእታ ኸኣ ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ።

# ምዕራፍ 7

1 ወይስ ኣሕዋተየ፡ነቶም ሕጊ ዚፈልጡ እየ ዝዛረብ ዘሎኹ እሞ፡ሰብ ብህይወቱ ኽሳዕ ዘሎ ምሉእ
ዕድሜኡ ሕጊ ኸም ዚመልኮዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 2 ሰበይቲ፡ ሰብኣያ ብህይወቱ ኽሳዕ ዘሎ፡ ብሕጊ
ኣብኡ እስርቲ እያ። ሰብኣያ እንተ ሞተ ግና፡ ካብቲ ሕጊ ሰብኣያ ፍትሕቲ እያ። 3 እምብኣርሲ ሰብኣያ
ብህይወቱ ኸሎስ፡ ንኻልእ ሰብኣይ እንተ ዀነት፡ ዘማዊት እያ እትብሃል። ሰብኣያ እንተ ሞተ ግና፡
ካብቲ ሕጊ ሓራ ወጺኣ እያ እሞ፡ ንኻልእ ሰብኣይ እንተ ዀነት፡ ኣይዘማዊትን እያ። 4 ኣሕዋተየ፡ ከምኡ፡
ድማ ንስኻትኩም፡ ንኣምላኽ ፍረ ምእንቲ ኽንፈሪ፡ ንኻልእ፡ ነቲ ኻብ ምዉታት ዝተንስኤ ኽትኰኑ፡
ብስጋ ክርስቶስ ካብቲ ሕጊ ሞትኩም። 5 ኣብ ንብረት ስጋ ኸሎና፡ ንሞት ዚኸውን ፍረ ኺፈሪ ብሕጊ
ተናቓኒቑ፡ ኣብ ኣካላትና ትምኒት ሓጢኣት ይዓዪ ነበረ። 6 ሕጂ ግና ብኣረጊት ንብረት ፊደል ዘይኰነስ፡
ብሓዳስ ንብረት መንፈስ ክንግዛእ፡ ካብቲ ሒዙና ዝነበረ ሕጊ ሞይትና ኻብኡ ተፈታሕና። 7 እንታይ ደኣ
ኽንብል ኢና፧ እቲ ሕጊዶ ሓጢኣት እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን። ብዘይ ሕጊ ግና ንሓጢኣት ኣይምፈለጥክዎን
ነይረ። እቲ ሕጊ፡ ኣይትመነ፡ እንተ ዘይብልሲ፡ ንትምኒት ኣይምፈለጥክዎን ነይረ። 8 ሓጢኣት ብዘይ ሕጊ
ምዉት እዩ እሞ፡ እቲ ሓጢኣት ብትእዛዝ ምኽንያት ወሲዱ፡ ትምኒት ዘበለ ኣለዓዐለለይ። 9 ቀደም ብዘይ
ሕጊ ኣነ ህያው ነበርኩ። ትእዛዝ ምስ መጸ ግና፡ ሓጢኣት ህያው ኰነ፡ ኣነ ኸኣ ሞትኩ። 10-11 ሓጢኣት
ምኽንያት ረኺቡ ብትእዛዝ ኣስሐተኒ ብእኡውን ቀተለኒ እሞ፡ እቲ ንህይወት እተዋህበ ትእዛዝ ንኣይ
ንሞት ኰይኑኒ ረኺብክዎ። 12 እምብኣርሲ እቲ ሕጊ ቅዱስ እዩ፡ እቲ ትእዛዝውን ቅዱስን ጻድቕን ሰናይን
እዩ። 13 እቲ ሰናይዶ ደኣ እዩ ንኣይ ሞት ዝዀነኒ፡ ያእ ኣይፋሉን። ሓጢኣት ደኣ እዩ ሞት ዝዀነኒ
እምበር፡ ሓጢኣት በቲ ሰናይ ገይሩ ሞት ካብ ዜምጽእ፡ ሓጢኣት ምዃኑ ምእንቲ ኺግለጽሲ፡ ሓጢኣት

ብትእዛዝ ገይሩ ኣዝዩ ሓጢኣት ኪኸውን እዩ። [14-15] ነቲ ዝጸልኦ እገብሮ ኣሎኹ እምበር፡ ነቲ ዝደልዮ
ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ እሞ፡ ነቲ ዝገብሮ ኣይፈልጦን እየ። ሕጊ መንፈሳዊ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና፡ ኣነ
ግና ትሕቲ ሓጢኣት እተሸጥኩ ስጋዊ እየ። [16] ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኻብ ዘይገብሮ ግና፡ እቲ ሕጊ ሰናይ ምዃኑ
እሰምር ኣሎኹ። [17] ስለዚ እቲ ኣባይ ሐዲሩ ዘሎ ሓጢኣት እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ።
[18-19] ፍቓድሲ ኣሎኒ፡ ምግባር እቲ ሰናይ ግና ስኢነዮ ኣሎኹ እሞ፡ ነቲ ዘይደልዮ እከይ እገብሮ ኣሎኹ
እምበር፡ ነቲ ዝደልዮ ሰናይ ኣይኰንኩን ዝገብር ዘሎኹ፡ ስለዚ ኣባይ ማለት ኣብ ስጋይ፡ ሰናይ ከም
ዜልቦ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። [20] ነቲ ኣነ ዝደልዮ ኻብ ዘይገብሮ ግና፡ ድሕሪ ሕጅስ እቲ ኣባይ ሐዲሩ ዘሎ
ሓጢኣት እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን ዝገብሮ ዘሎኹ። [21] እምብኣርሲ ኣነ ሰናይ ክገብር ዝደሊ እቲ
እከይ ከም ዚጠብቀኒ፡ ሕጊ ኾይኑ ረኺብክዎ። [22] ብናይ ውሽጢ ሰብሲ በቲ ሕጊ ኣምላኽ ባህ ይብለኒ
እዩ። [23] ግናኸ ኣብ ኣካላተይ ምስ ሕጊ መንፈሰይ ዚዋጋእ፡ ናብቲ ኣብ ኣካላተይ ዘሎ ሕጊ ሓጢኣት
ኣቢሉውን ዚማርኸኒ ኻልእ ሕጊ እርኢ ኣሎኹ። [24] ይዋእ ኣነ ምግዱር ሰብ፡ ካብዚ ናይ ሞት ስጋስ መን
ኰን ኬድሕነኒ እዩ፧ [25] ንኣምላኽ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ስብሓት ይኹኖ። እምብኣርሲ ኣነ ባዕለይ
ብሓሳበይ ንሕጊ ኣምላኽ፡ ብስጋይ ግና ንሕጊ ሓጢኣት እግዛእ ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 8

[1] እምብኣርሲ ሕጂ ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹነኔ የብሎምን። [2] እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ሕጊ
መንፈስ ህይወት ካብቲ ሕጊ ሓጢኣት ሞትን ሓራ ኣውጺኡኒ እዩ እሞ፡ [3] ንሕጊ፡ ብስጋ ስለ ዝደኸመ፡
ኪገብሮ ዘይኽኣሎ ኣምላኽ ንወዱ ብምስሊ ሓጢኣተኛ ስጋን ከም መስዋእቲ ሓጢኣትን ልኢኹ፡ ነቲ
ሓጢኣት ብስጋ ኰነኖ። [4] ኣባና ብመንፈስ እምበር፡ ብስጋ ኣብ ዘይንመላለስ፡ እቲ ድሌት ሕጊ ኽምኡ
ኾይኑ ኺምላእ እዩ። [5] ስጋውያን ዘበሉ ነቲ ናይ ስጋ እዮም ዚሐስቡ፡ መንፈሳውያን ግና ነቲ ናይ
መንፈስ እዮም ዚሐስቡ። [6-7] እቲ ሓሳብ ስጋ ምስ ኣምላኽ ጽልኢ ብምዃኑ ነቲ ሕጊ ኣምላኽ ኣይግዝኦን
ኣይኰነሉን ድማ እዩ እሞ፡ ስለዚ እቲ ሓሳብ ስጋ ሞት እዩ፡ እቲ ሓሳብ መንፈስ ግና ህይወትን ሰላምን
እዩ። [8] እቶም ብስጋ ዘለዉ ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይኰነሎምን እዩ። [9] ንስኻትኩም ግና፡ መንፈስ ኣምላኽ
ሐዲሩኩም እንተ ኣልዩስ፡ ብመንፈስ እምበር፡ ብስጋ ኣይኰንኩምን ዘሎኹም። እቲ መንፈስ ክርስቶስ
ዜብሉ ሰብ ግና፡ ንሱ ናቱ ኣይኰነን። [10] ክርስቶስ ኣባኻትኩም እንተ ኣልዩ ግና፡ እቲ ስጋ ብሰሪ ሓጢኣት
ምዉት እዩ፡ እቲ መንፈስ ግና ሳላ ጽድቂ ህይወት እዩ። [11] ናይ እቲ የሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኤ
መንፈስ ኣባኻትኩም ሐዲሩ እንተ ኣልዩ ግና፡ እቲ ንክርስቶስ የሱስ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ፡ ንሱ ነቲ
መዋቲ ስጋኹምውን፡ በቲ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ዘሎ መንፈሱ ገይሩ፡ ህያው ኪገብሮ እዩ። [12-13]
እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ከም ስጋ እንተ ነበርኩም፡ ክትሞቱ ኢኹም፡ ነቲ ግብሪ ስጋ ብመንፈስ እንተ
ቐተልኩምዎ ግና፡ ብህይወት ክትነብሩ ኢኹም እሞ፡ ከም ስጋ ኽንነብር፡ ነቲ ስጋስ ሰብ ዕዳኡ
ኣይኰንናን። [14-15] ንስኻትኩምሲ ነቲ ብእኡ ጌርና ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢልና እንጽውዓሉ መንፈስ ውልድነት
ኢኹም እተቐበልኹም እምበር፡ መንፈስ ባርነት ከም ብሓድሽ ንፍርሃት ኣይተቐበልኩምን፡ ስለዚ እቶም
ብመንፈስ ኣምላኽ ዚምርሑ ዘበሉ፡ ንሳቶም ውሉድ ኣምላኽ እዮም። [16] ውሉድ ኣምላኽ ምዃንና ኽኣ
እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ ምስ መንፈስና ኾይኑ ዚምስክር። [17] ውሉድ ካብ ኰንናኸ፡ ወረስቲ ድማ ኢና፡
ንኣምላኽ ወረስቱ፡ ንክርስቶስ መዋርስቱ ኢና። ምስኡ ሓሳረ መከራ እንተ ጸገብናስ፡ ምስኡውን
ክንከብር ኢና። [18-19] ሃረርታ ፍጥረት ነቲ ምግላጽ ደቂ ኣምላኽ ይጽበዮ ኣሎ እሞ፡ ከምኡ ኸኣ ኣነ

ንስቓይ እዚ ዘመንዚ ነቲ ኣባና ኺግለጽ ዚመጽእ ዘሎ ኽብሪ ኸም ዘይመዓራረየ፡ እኣምን ኣሎኹ። 20
እቲ ፍጥረት ንኸንቱ ተገዚኡ ኣሎ፡ ስለቲ ብተስፋ ዘግዝኦ እዩ እምበር፡ ብፍቓዱስ ኣይኮነን እሞ፡ 21
እቲ ፍጥረት ንርእሱ ድማ ካብ ባርነት ጥፍኣት ናብ ሓርነት ክብሪ ደቂ ኣምላኽ ሓራ ኺወጽእ እዩ። 22
ብዘሎ እቲ ፍጥረት ክሳዕ ሕጂ ምሳና ኹይኑ ኸም ዜስቌርቍርን ቅልውላው ከም ዝሐዞን፡ ንፈልጥ
ኣሎና እሞ፡ 23 ንሱ ጥራይ ከኣ ኣይኮነን፡ ንሕና ብኹርነት መንፈስ ዘሎናውን፡ መሰል ውልድነትና፡
ማለት ምድሓን ስጋና፡ እናተጸቤና ብውሽጥና ነስቌርቍር ኣሎና። 24 ነቲ ዚርእዮስ ተስፋ ዚገብሮኸ መን
ኣሎ፧ ብተስፋ ኢና ድሒንና ዘሎና እሞ፡ ነቲ ዚርኤስ ተስፋ ምግባሩ፡ እዚ ተስፋ ኣይኮነን። 25 ነቲ
ዘይንርእዮስ ተስፋ እንተ ገበርናዮ ግና፡ ብትዕግስቲ ንጽበዮ ኢና። 26 መንፈስ ድማ ከምኡ ንድኻምና
ይድግፎ እዩ። ከመይ ጌርና ኽንጽሊ ኸም ዚግብኣና፡ ኣይንፈልጥን ኢና፡ ስለዚ እቲ መንፈስ ባዕሉ እዩ
ብዘይንገር እህህታ ዚልምነልና። 27 እቲ ልቢ ዚምርምር፡ ንሱ ምእንቲ እቶም ቅዱሳን ከም ፍቓድ
ኣምላኽ ገይሩ ይልምን እዩ እሞ፡ ነቲ ሓሳብ መንፈስውን እንታይ ምዃኑ ይፈልጦ እዩ። 28 ነቶም
ንኣምላኽ ዜፍቅሩ፡ ከም ምኽሩውን እተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናዮም ከም ዚድግፎም፡ ንፈልጥ ኢና። 29
ነቶም ቀደም ዝፈለጦም፡ ንሱ ንብዙሓት ኣሕዋትሲ በዂሮም ምእንቲ ኪኸውን፡ ንምስሊ ወዱ ኺመስሉ
ቐደም መደቦም። 30 ነቶም ቀደም ዝመደቦም፡ ንኣታቶም ከኣ ጸውዖም። ነቶም ዝጸውዖም፡ ንኣታቶም
ድማ ኣጽደቖም። ነቶም ዘጽደቖም፡ ንኣታቶምውን ኣኽበሮም። 31 እምብኣርሲ ብዛዕባ እዚ ነገርዚ እንታይ
ክንብል ኢና፧ ኣምላኽ ምሳና ኻብ ኰነኸ፡ መን እዩ ዚቃወመና፧ 32 እቲ ንወዱ እኳ ምእንቲ ኹላትና
ኣሕሊፉ ዝሃቦ እምበር፡ ዘይነሐፎ፡ ከመይ ደኣኸ ምስኡ ኹሉ ዘይህበና፧ 33 ነቶም ሕሩያት ኣምላኽሲ
ዚኸሶም መን እዩ፧ ኣምላኽ እዩ እቲ ዜጽድቕ። 34 እቲ ዚዅንኖከ መን እዩ፧ ክርስቶስ የሱስ፡ እቲ ዝሞተ፡
ኤረ ኻብ ምዉታት እኳ ዝተንስኤ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ኰይኑውን ምእንታና ዚልምን ዘሎ እዩ። 35-36
ካብታ ፍቕሪ ክርስቶስ ዚፈልየና መን እዩ፧ ከመዮ፡ ምእንታኻ ምሉእ መዓልቲ ንቕተል ኣሎና፡ ከም
ኣባጊዕ ማሕረዲውን ተቘጸርና፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ጭንቀትዶ፡ ጸበባዶ፡ ስደትዶ፡ ጥሜትዶ፡ ዕርቃንዶ፡
ፍርሂዶ ወይስ ሰይፊ፧ 37-39 ሞት ኮነ ወይ ህይወት፡ መላእኽቲ ኹኑ ወይ ገዛእቲ፡ ዘሎ ኹነ ወይ
ዚመጽእ፡ ወይ ሓይልታት፡ ልዕል ዝበለ ኹነ ወይ ትሕት ዝበለ፡ ካልእ ፍጥረትውን እንተ ኹነ፡ ካብታ
ኣብ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዘላ ፍቕሪ ኣምላኽ ከቶ ኺፈልየና ኸም ዘይኮነሉ፡ ኣርጊጸ ኣሎኹ እሞ፡
በዚ ኹሉ በቲ ዘፍቀረና ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና።

## ምዕራፍ 9

1-2 ኣነ ብዙሕ ጓህን ዘየባትኽ ስቓይን ኣብ ልበይ ከም ዘሎኒ፡ ሕሊናይ ብመንፈስ ቅዱስ ይምስክረለይ
ኣሎ፡ ብክርስቶስ ሓቂ እብል ኣሎኹ፡ ኣይሕሱን እየ። 3 ኣነ ብርእሰይ ምእንቲ እቶም ብስጋ ኣሕዋተይን
ኣዝማደይን ውጉዝ ኰይነ ኻብ ክርስቶስ ክፍለ ምደሌኹ። 4 ደቂ እስራኤል እዮም እሞ፡ ውልድነትን
ክብርን ኪዳንን ምሕጋግ ሕግን ምግልጋል ኣምላኽን ተስፋን ናታቶም እዩ። 5 ኣቦታት ከኣ ናታቶም
እዮም፡ ክርስቶስውን ብስጋ ኻባታቶም እዩ፡ ንሱ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ፡ ልዕሊ ኹሉ እዩ። ኣሜን።
6 ግናኸ እቶም ካብ እስራኤል ዘበሉ ኹላቶም እስራኤላውያን ኣይኮኑን እሞ፡ እቲ ቓል ኣምላኽ ከንቱ
ኰይኑ ኣይተረፈን። 7 ዘርኢ ብይስሃቕ ኪስመየልካ እዩ እምበር፡ ዘርኢ ኣብርሃም ስለ ዝኾኑ፡ ኩላቶም
ውሉድ ኣይኮኑን። 8 ማለት፡ እቶም ውሉድ ተስፋ እዮም ንዘርኢ ዚቝጸሩ እምበር፡ እቶም ውሉድ ስጋስ
ውሉድ ኣምላኽ ኣይኮኑን። 9 እቲ ቓል ተስፋ፡ ንዓመታ ኸምዛ ጊዜ እዚኣ ኽመጽእ እየ፡ ሳራውን ወዲ

ኽትወልድ እያ፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ 10 እዚ ጥራይ ኣይኰነን፡ ርብቃውን ካብ ሓደ፡ ማለት ካብ ኣቦና ይስሃቅ፡
ምስ ጠነሰት፡ ከምኡ ኾነ። 11-13 ካብቲ ጸዋዒ እዩ እምበር፡ ካብ ግብሪ ኣይኰነን እሞ፡ እቲ ምኽሪ
ኣምላኽ ብምሕራይ ምእንቲ ኺጸንዕሲ፡ ከምቲ፡ ንያእቆብ ኣፍቀርኩ፡ ንኤሳው ግና ጸላእኩ፡ ዚብል
ጽሑፍ ዘሎ፡ እቶም ደቂ ገና ኸይተወልዱ ኸለዉ፡ ጽቡቕ ኰነ ወይ ክፉእ ከይገበሩ፡ እቲ ዓብዪ ነቲ
ንእሽቶ ኺግዝኦ እዩ፡ ኢሉ ተባህለላ። 14 እምብኣርሲ እንታይ ክንብል ኢና፧ ኣብ ኣምላኽዶ ዓመጻ ኣሎ፧
ያእ የልቦን። 15 ንሙሴ፡ ንዝምሕሮ ኽምሕር፡ ንዝድንግጸሉውን ክድንግጸሉ እየ፡ ኢልዎ እዩ እሞ፡ 16
ስለዚ ናይቲ ዚምሕር ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ናይቲ ዚደልን ዚጒይን ኣይኰነን። 17 እቲ ጽሑፍ ንፈርኦን፡
ሓይለይ ኣባኻ ኸርኢ፡ ስመይውን ኣብ ኲሉ ምድሪ ኺውረ፡ ነዚ እየ ዘተንሳእኩኻ፡ ይብሎ እዩ እሞ፡ 18
እምብኣርስኸ ንዝደለዮ ይምሕር፡ ንዝደለዮውን የትርሮ እዩ። 19 ደጊም ንምንታይ ደኣ ሕጂኸ ዚገንሕ፧
ነቲ ፍቓዱ መን ይቃወሞ፡ ክትብለኒ ኢኻ። 20 ወይ ጋዶ፡ ኣታ ሰብ። ንኣምላኽ እትማጒቶኸ ንስኻ መን
ኢኻ፧ ግቡርዶ ነቲ ገባሪኡ፡ ንምንታይ ከምዚ ጌርካ ሰራሕካኒ፧ ይብሎ እዩ፧ 21 ወይስ ሰራሕ መሬትዶ
ኻብ ሓደ ጽቡር መሬት ገሊኡ ንኽብረት ገሊኡውን ንሓሳር ዚኸውን ኣቓሑ ኺሰርሕ፡ ኣብቲ መሬት
ስልጣን የብሉን እዩ፧ 22 ኣምላኽከ ቑጥዓኡ ምእንቲ ኼርኢ ሓይሉውን ኬፍልጥ ደልዩስ፡ ነቶም
ንጥፍኣት እተዳለዉ ኣቓሑ ቑጥዓ ብብዙሕ ትዕግስቱ እንተ ጸሮም፡ 23 እዚ ኸኣ ነቶም ቀደም ንኽብሪ
ዘዳለዎም ኣቓሑ ምሕረት እቲ ሃብቲ ኽብሩ ምእንቲ ኼፍልጦም፡ 24 ንኣናውን፡ ማለት ካብ ኣህዛብ ድማ
እምበር፡ ካብ ኣይሁድ ጥራይ ንዘይኰንና ዝጸውዓና፡ 25-26 ከምቲ ኣብ ሆሴእ ዚብሎ፡ ነቲ ህዝበይ ዘይኰነ
ንእኡ ህዝበይ ክብሎ እየ፡ ነታ ዘይፍቅርቲውን ፍቅርቲ ኽብላ እየ፡ ኣብታ፡ ንስኻትኩምሲ ህዝበይ
ኣይኰንኩምን፡ እተባሃለሎም ስፍራ ድማ፡ ኣብኣ ደቂ ህያው ኣምላኽ ከም ዚብሃሉ፡ ኪኸውን እዩ። 27-28
እግዚኣብሄር ንቓሉ ብቑሩጽን ምዱብን ገይሩ ኣብ ምድሪ ኺፍጽሞ እዩ እሞ፡ ኢሳይያስ ብዛዕባ
እስራኤል፡ ቍጽሪ ደቂ እስራኤል ከም ሑጻ ባሕሪ እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ተረፍ ጥራይ እዩ ዚድሕን፡ ኢሉ
ይጭድር። 29 ከምቲ ኢሳይያስውን ኣቐዲሙ፡ እግዚኣብሄር ጸባኦት ዘርኢ እንተ ዘይሐደገልናስ፡ ከም
ሶዶም ምኾንና ንጎሞራውን ምመሰልና ኔርና፡ ዝበሎ እዩ። 30 ደጊምከ እንታይ ንበል፧ እቶም ጽድቂ
ዘይደለዩ ኣህዛብ ጽድቂ ረኸቡ፡ እዚ ኸኣ እቲ ኻብ እምነት ዚመጽእ ጽድቂ እዩ። 31 እስራኤል ግና ንሕጊ
ጽድቂ እናደለይዎስ፡ ናብቲ ሕጊ ጽድቂ ኣይበጽሑን። 32-33 ስለምንታይ፧ ከመዮ፡ እንሆ፡ ኣብ ጽዮን እምኒ
መዓንቀፍን ከውሒ መንሳተትን ኤንብር ኣሎኹ፡ ብእኡ ዚኣምን ከኣ ኣይኪሐፍርን እዩ፡ ዚብል ጽሑፍ
ዘሎ፡ ካብ ግብሪ እምበር፡ ካብ እምነት ስለ ዘይደለይዎ፡ ብእምኒ መዓንቀፊ ተዓንቀፉ።

## ምዕራፍ 10

1-2 ኣሕዋተየ፡ ብፍልጠት ደኣ ኣይኰነን እምበር፡ ንኣምላኽ ቅንኣት ከም ዘለዎምሲ፡ ኣነ እምስክረሎም
ኣሎኹ እሞ፡ ንሳቶም ኪድሕኑ፡ ስሊኦም ሃረርታ ልበይን ናብ ኣምላኽ ጸሎተይን እዩ። 3-4 ክርስቶስ ነቲ
ዚኣምን ዘበለ ኹሉ መደምደምታ ሕጊ ንጽድቂ እዩ እሞ፡ ጽድቂ ኣምላኽ ሰኣን ምፍላጦምን ጽድቂ
ርእሶም ኪተኽሉ ብምድላዮምንሲ ንርእሶም ኣብ ትሕቲ ጽድቂ ኣምላኽ ኣየግዝኡን። 5 ሙሴ ብዛዕባቲ
ኻብ ሕጊ ዚመጽእ ጽድቂ፡ እቲ ዝገበሮ ሰብ ብእኡ ብህይወት ኪነብር እዩ፡ እናበለ ይጽሕፍ እዩ እሞ፡ 6
እቲ ኻብ እምነት ዚመጽእ ጽድቂ ግና ከምዚ ይብል፡ ብልብኻ፡ መን ናብ ሰማይ ኪድይብ እዩ፧
ኣይትበል፡እዚ ማለት ንክርስቶስ ኬውርዶ፡ 7 ወይስ፡ ናብ መዓሙቕሲ መን ኪወርድ እዩ፧ እዚ ማለት
ንክርስቶስ ካብ ምዉታት ኬውጽኦ። 8 እንታይ ደኣ ይብል፧ እቲ ቓል ኣብ ኣፍካን ልብኻን ጥቓኻ እዩ፡

እዚ ማለት እቲ ንሕና እንሰብኮ ቓል እምነት እዩ። 9-11 እቲ ጽሑፍ፡ ብእኡ ዚኣምን ዘበለ ኣይሐፍርን፡
ይብል እዩ እሞ፡ ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፡ ብኣፉ ተኣሚኑውን ይድሕን እዩ፡ ስለዚ ብኣፍካ የሱስ
ጐይታ ምዃኑ እንተ ነገርካ፡ ብልብኻውን ኣምላኽ ካብ ምዉታት ከም ዘተንስኦ እንተ ኣመንካ፡
ክትድሕን ኢኻ። 12-13 ማለት፡ ነፍሲ ወከፍ ስም እግዚኣብሄር ዚጽውዕ ዘበለ ኺድሕን እዩ፡ ንሱስ ሓደ
ጐይታ እዩ፡ ነቶም ዚጽውዕዎ ዅሎምውን ሃብታም እዩ እሞ፡ ኣብ መንጎ ኣይሁዳውን ጽርኣውን ሌላን
ጕሌላን የልቦን። 14 ግናኸ ነቲ ብእኡ ዘይኣመኑ ኸመይ ኢሎም ኪጽውዕዎ እዮም፧ ብዛዕባኡ
ኸይሰምዑኻ፡ ከመይ ገይሮም ብእኡ ኺኣምኑ፡ ብዘይሰባኺ ኸመይ ገይሮም ኪሰምዑ፧ 15 ከመዮ፡
ኣእጋር እቶም ሰናይ ዜበስሩ ኽንደይ ጽቡቕ እዩ፡ ዚብል ጽሑፍ፡ እንተ ዘይተላእኩስ፡ ከመይ ገይሮምዶ
ኺሰብኩ እዮም፧ 16 ግናከ ኢሳይያስውን፡ ጐይታይ፡ ንምስክርና መን ኣመኖ፧ ይብል እዩ እሞ፡ ኩላቶም
ንወንጌል ኣይተኣዘዝዋን። 17 እምብኣርሲ እምነት ካብ ምስማዕ እያ፡ ምስማዕውን ብቓል ክርስቶስ እዩ።
18 ኣነ ግና፡ ከቶዶ ኣይሰምዑን እዮም፧ እብል ኣሎኹ። ደሃዮም ናብ ኩሉ ምድሪ ወጸ፡ ቃሎምውን ክሳዕ
ወሰን ዓለም በጽሐ፡ ብሓቂ እባ ሰሚዖም። 19 ኣነ ግና፡ እስራኤልከሞ ኣይፈለጠን ድዩ፧ እብል ኣሎኹ።
ቅድም ሙሴ፡ ኣነ ህዝቢ ብዘይኰነ ከቕንኣኩም፡ ኣእምሮ ብዜብሉ ህዝቢውን ከኹርየኩም እየ፡ ይብል።
20 ኢሳይያስውን ደፊሩ፡ ነቶም ዘይደለዩኒ ተረኺብኩሎም፡ ንዘይሐተቱለይውን ተገለጽኩሎም፡ ይብል
እዩ። 21 ብዛዕባ እስራኤል ግና፡ ናብ ዘይእዙዝን ተቓዋምን ህዝቢ ምሉእ መዓልቲ ኢደይ ዘርጋሕኩ፡ እዩ
ዚብል።

## ምዕራፍ 11

1 እምበኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ኣምላኽ ንህዝቡዶ ደርብይዎ እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን። ኣነ እኳ እስራኤላዊ፡ ካብ
ዘርኢ ኣብርሃም፡ ካብ ዓሌት ብንያም እየ። 2-3 ኣምላኽ ነቲ ቀደም ዝፈለጦ ህዝቡ ኣይደርበዮን። ወይስ
እቲ ጽሑፍከ ብዛዕባ ኤልያስ፡ ንሱ፡ ጐይታይ፡ ንነብያትካ ቐተልዎም፡ መሰውኢኻውን ኣፍረሱ፡ ኣነ
በይነይ እየ ተሪፈ ዘለኹ፡ ንህይወተይ ድማ ይደልዩዋ ኣለዉ፡ ኢሉ፡ ንእስራኤል ኣሳጢሑ ናብ ኣምላኽ
እናጠርዔ፡ እንታይ ከም ዝበለዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 4 ምላሽ ኣምላኽከ እንታይ በሎ፧ ንበዓል
ዘይሰገዱ ሾብዓተ ሽሕ ሰብኣይ ንርእሰይ ኣትሪፈ ኣለኹ። 5 እምብኣርሲ ኸምኡውን ሕጂ በዚ ዘመንዚ
ብሕርየት ጸጋ ተረፍ ኣሎ። 6 ብጸጋ ካብ ዚኸውን ግና፡ እምበኣርስከ ካብ ግብሪ ኣይኮነን። ብዘይእዝስ
እቲ ጸጋውን ጸጋ ኣይከውንን። ካብ ግብሪ ካብ ዚኸውን ግና ደጊም ጸጋ ኣይኮነን። እንተዘይኮነስ እቲ
ግብሪውን ግብሪ ኣይከውንን እዩ። 7-8 እምብኣርሲ እንታይደኣ እዩ፧ ከመዮ ጽሑፍ፡ ኣዒንቶም ከይርእያ፡
ኣእዛኖምውን ከይሰምዓስ፡ ኣምላኽ ክሳዕ ሎም መዓልቲ መንፈስ ምብዕዛዝ ሃቦም፡ ዚብል ዘሎ፡ እቶም
ሕሩያት ረኸቡ እሞ፡ እስራኤል ነቲ ዚደልዮ ኣይረኸቦን፡ እቶም ዝተረፉውን ተረሩ። 9 ዳዊትውን፡ እቲ
መኣዶም መፈንጥራን መድፈናን ንመዓንቀፊን መስጣን ይኹኖም፡ 10 ከይርእዩ ኣዒንቶም ይጸልምታ፡
እንግድዓውቶም ከኣ ንሓዋሩ ኣጎብጥ፡ ይብል እዩ። 11 እምብኣርሲ እብል ኣለኹ፡ ምእንቲ ኺወድቁ
ድዮም እተዓንቀፉ፧ ያእ ኣይፋሎምን። ምእንቲ ኬቕንኦም እባ ደኣ፡ እቲ ምውዳቖም ነህዛብ ምድሓን
ኰነሎም። 12 እቲ ምውዳቖም ሃብቲ ዓለም፡ እቲ ምጕዳሎም ሃብቲ ኣህዛብ ካብ ኮነ ግና፡ ምልኣቶም ደኣ
ክንደይ ኪበልጽ እዩ። 13-14 ንኣኻትኩም ኣህዛብ፡ እብለኩም ኣለኹ፡ ምናልባሽ ነቶም ስጋይ ዝኾኑ እንተ
ኣቕናእኩዎም ካባታቶም ውን ገለ እንተኣድሓንኩስ፡ ኣነ ነህዛብ ሃዋርያኦም እየ እሞ፡ መልእኽተይ
ኤኽብር ኣሎኹ። 15 እቲ ምድርባዮም ንዓለም ዕርቂ ካብ ኮነላስ፡ ምቕባሎም ደኣ ዘይ ህይወት ካብ

ምውታት፡ እንታይ ካልእ ኪኸውን ኢሉ፧ 16 እቲ ቀዳማዩ ቅዱስ እንተ ኾነ፡ እቲ ብሑቑ ከኣ ቅዱስ እዩ።
እቲ ሱር ቅዱስ እንተ ኾነ ኸኣ፡ ጨነፍሩ ውን ቅዱስ እዩ። 17 ካብቶም ጨነፍር ሓያሎ እንተተሰብሩ እሞ
ንስኻ፡ ኣውልዕ በረኻ ክነስኻ፡ ኣብ መንጎኦም እንተ ተተኸልካ፡ ካብቲ ሱርን ማራ ኣውልዕን ድማ
ተማቓሊ እንተ ኾንካ፡ 18 ኣብቶም ጨነፍር ኣይትከበር። እንተተኸበርካ ግና፡ እቲ ሱር እዩ ንዓኻ ጾይሩካ
ዘሎ እምበር፡ ነቲ ሱር ንስኻ ኣይኮንካን ጾይርካዮ ዘሎኻ። 19 ምናልባሽ ንስካ፡ ግና ምእንቲ ኽትከል
እዮም እቶም ጨነፍር እተሰብሩ፡ ትብል ትኸውን። 20 ጽቡቕ፡ ንሳቶም ሰኣን ምእማኖም ተሰብሩ፡ ንስኻ
ግና ሳላ ዝኣመንካ ደው ኢልካ ኣሎኻ። ፍራሀ ደኣ እምበር ብልብኻ ኣይትተዓበ። 21 ኣምላኽ ነቶም ካብ
ባህርዮም ጨነፍር ዝነበሩ ካብዘይነሓፎም፡ ንዓኻውን ኣይኪንሕፈካን እዩ። 22 እምብኣርሲ ናይ ኣምላኽ
ለውሃትን ጭከናን ተመልከት፡ ኣብቶም ዝወደቑ ጭከናኡ፡ ንኣኻ ግና፡ ኣብቲ ለውሃቱ እንተጸናዕካ፡
ለውሃት ኣምላኽ። እንተዘይኮነስ ንስኻውን ክትቁረጽ ኢኻ። 23 ንሳቶም ኣብቲ ዘይምእማኖም
እንተዘይጸንዑ ግና፡ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ኪተኽሎም ይኽእል እዩ እሞ፡ ኪትከሉ እዮም። 24 ንስኻ
ካብታ ብባህርያ ኣውልዕ በረኻ ተቖሪጽካ ብዘይመገዲ ባህርይ ኣብታ ጽብቕቲ ኣውልዕ ካብ ተተኸልካስ፡
እቶም ብባህርዮም ጨነፍር ዝነበሩ ግዳ ከመይ ኣብታ ኦም ኣውልዖም ኣጸቢቖም ዘይትከሉ። 25
ኣሕዋተየ፡ ብርእስኹም ብልህታት ዝኾንኩም ምእንቲ ከይመስለኩምሲ፡ ምልኣት ኣህዛብ ክሳዕ ዚኣቱ፡
ንሓያሎ ካብ እስራኤል ትሪ ልቢ ከምዝበጽሖም፡ እዚ ምስጢር እዚ ዘይትፈልጡ ክትኮኑ፡ ኣይፈቱን
እየ። 26-27 ከምቲ ጽሑፍ፡ ተበጃዊ ካብ ጽዮን ኪመጽእ እዩ፡ ካብ ያእቆብ ከኣ ረሲእነት ኬርሕቕ እዩ፡
ሓጢኣቶም ምስ ኣርሓቕኩ፡ ኪዳነይ ምሳታቶም እዚ ኪኸውን እዩ፡ ዚብሎ፡ ብዘሎ እስራኤል ኪድሕን
እዩ። 28-29 ውህበት ጸጋ ኣምላኽን ጽውዓኡን ዘይጠዓሰሉ ስለዝኮነ፡ ብወንጌል ምእንታኹም ጸላእቲ
እዮም፡ ብምሕራይ ግና ምእንቲ ኣቦታት ፍቑራት እዮም። 30-32 ኣምላኽ ንኹሎም ምእንቲ ኪምሕሮም፡
ንኹሎም ኣብ ዘይምእዛዝ ዓጸዎም እሞ፡ ከምቲ ንስኻትኩም ቀደም ንኣምላኽ ዘይተኣዘዝኩምዎ፡ ሕጂ
ግና ሳላ ዘይምእዝ እቲኣቶም እተመሓርኩም፡ ከምኡውን ንሳቶም በቲ ንስኻትኩም እተመሓርኩምዎ
ምሕረት ምእንቲ ኺመሓሩ፡ ሕጂ ኣይተኣዘዙን። 33 ወዳጄ፡ መዓሙቑ ሃብቲ ኣምላኽን ጥበቡን
ፍልጠቱን፡ ክንደይ ዘይምርመር ኮታ እዩ ፍርዱ፡ ክንደይ ብኣሰር ኣሰር ዘይርከብ እዩ መገዱ። 34 ሓሳብ
እግዚኣብሄር ዝፈልጥ መን እዩ፧ ወይስ መን እዩ ዘማኸሮ፧ 35 መንከ እዩ ቐደም ገለ ዝሃቦ እሞ ዝፍደዮ፧ 36
ኵሉ ካብኡ እዩ ብእኡን ንእኡን ድማ እዩ እሞ፡ ንእኡ ንዘልኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።

## ምዕራፍ 12

1 እምብኣርሲ ኣሕዋተየ፡ ንስጋኹም ህያውን ቅዱስን ንኣምላኽ ባህ ዜብልን መስዋእቲ ጌርኩም
ከተቕርብዎ፡ ብምሕረት ኣምላኽ ኣምዕደኩም ኣሎኹ፡ እዚ ማለት እቲ ናይ ኣእምሮ መንፈሳዊ
ኣገልግሎትኩም እዩ። 2 እቲ ሰናይን ባህ ዜብልን ምሉእን ፍቓድ ኣምላኽ እንታይ ምዃኑ ምእንቲ
ኽትምርምሩስ፡ ብምሕዳስ ሓሳብኩም ተለወጡ እምበር፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ኣይትምሰልዋ። 3 ከምቲ
ኣምላኽ ንነፍሲ ወከፍ ዝዓደሎ መስፈር እምነት ገይሩ ደኣ፡ ብዛዕባ ርእሱ ብልክዕ ይሕሰብ እምበር፡
ካብቲ ዚግብኦ ኣዕዚዙ ኺይሐስብሲ፡ ንነፍሲ ወከፍ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ፡ በቲ እተዋህበኒ ጸጋ እብሎ
ኣሎኹ። 4 ከምቲ ኣብ ሓደ ስጋ ብዙሕ ኣካላት ዘሎና እሞ፡ ብዘሎ ኣካላት ከኣ ተግባሩ ሓደ ዘይኮነ፡ 5
ንሕና ብዙሓት ከኣ ከምኡ ብክርስቶስ ሓደ ስጋ ኢና፡ በብሓደ ግና ነንሓድሕድና ኣካላት ኢና። 6 ከምቲ
እተዋህበና ጸጋ በበይኑ ዝኾነ ውህበት ጸጋ ኻብ ዚህልወናስ፡ ትንቢት እንተ ኾይኑ፡ ብልክዕ እምነትና

ይኹን። 7 ኣገልግሎት እንተ ኾይኑ፡ ብኣገልግሎትና ንጽናዕ። ዚምህር እንተ ኾይኑ፡ ብምምሃሩ ይጽናዕ።
8 መዓዲ እንተ ኾይኑ ብምምዓዱ፡ ዚህብ ተገሪሁ ይሃብ፡ መራሒ እንተ ኾይኑ፡ ብትግሃት ይምራሕ፡
እቲ ዚድንግጽውን ብሓጐስ ይደንግጽ። 9 ፍቕሪ ብዘይግብዝና ትኹን። ንኽፉኣት ፈንፍንዎ ኣብ ሰናይ
ልገቡ። 10 ንሓድሕድኩም ብምክብባር እናተቓዳደምኩም፡ ብፍቕሪ ኣሕዋት ንሓድሕድኩም ብለውሃት
ተፋቐሩ። 11 ንምትጋህ ኣይትተሃከዩ፡ ብመንፈስ ተቓጸሉ፡ ንእግዚኣብሄር ኣገልግሉ። 12 ብተስፋ ተሐጐሱ፡
ብጸበባ ተዓገሱ፡ ጸሎት ኣዘውትሩ። 13 ብዜድልዮም ንቕዱሳን ኣማቕሉ፡ ንምቕባል ጋሻ ተቓዳደሙ። 14
ንዚሰጕኹም መርቑ፡ መርቑ እምበር፡ ኣይትርገሙ። 15 ምስቶም ዚሕጐሱ ተሐጐሱ፡ ምስቶም ዚበኽዩ
ብኽዩ። 16 ንሓድሕድኩም ሓንቲ ሓሳብ ሕሰቡ። ምስቶም ታሕቶት ትሕት በሉ እምበር፡ ኣብቲ ልዕል
ዝበለ ነገር ሓሳብኩም ኣይተውድቑ። ጠቢባን ኢና ኢልኩም ብርእስኹም ኣይሕሰቡ። 17 ነቲ ኣብ ቅድሚ
ኹሉ ሰብ ጽቡቕ ዚኸውን ደኣ ሕሰቡ እምበር፡ ንሓደ እኳ ኽፉእ ኣብ ክንዲ ኽፉእ ኣይትፍደይዎ። 18
ዚከኣል እንተ ኾይኑስ፡ ብኣኻትኩም ዝመጸ፡ ምስ ኩሉ ሰብ ብሰላም ንበሩ። 19 ፍቑራተይ፡ ምፍዳይ ሕነ
ናተይ እዩ፡ ኣነ ኽፈድዮ እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ነቲ መዓትሲ ስፍራ ሕደጉሉ
እምበር፡ ባዕላትኩም ሕነ ኣይትፍደዩ። 20 ጸላኢኻ እንተ ጠመየ ግና ኣብልዓዮ፡ እንተ ጸምኤውን
ኣስትዮ። እዚ ብምግባርካ ጕሁር ሓዊ ኣብ ርእሱ ኽትእክብ ኢኻ። 21 ነቲ እከይ ደኣ ብሰናይ ጌርካ ስዓሮ
እምበር፡ በቲ እከይ ኣይትሰዓር።

## ምዕራፍ 13

1 ብኣምላኽ ዘይኮነስ ስልጣን የልቦን፡ እቶም ዘለዉ ስልጣናት ከኣ ብኣምላኽ እተሰርዑ እዮም እሞ፡
ነፍሲ ወከፍ ነቲ ኣብ ልዕሊኡ ስልጣን ዘለዎ ይግዝኣዮ። 2 ስለዚ ኸኣ ነቲ ብዓል ስልጣን ዚቃወም ነቲ
ስርዓት ኣምላኽ እዩ ዚቃወሞ። እቶም ዚቃወምዎ ድማ፡ ባዕላቶም ፍርዲ ኪቕበሉ እዮም። 3-4 እቶም
ገዛእቲ ንእኩይ ግብሪ እምበር፡ ንሰናይ ግብሪ ዜፍርሁ ኣይኮኑን። ነቲ ብዓል ስልጣን ከይትፈርሆዶ
ትደሊ ኢኻ፧ ንሱ ንሰናይካ ኢሉ ኣገልጋሊ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ሰናይ ግበር ንሱውን ኪንእደካ እዩ። እኩይ
እንተ ገበርካ ግና፡ ኣገልጋሊ ኣምላኽ፡ ነቲ ገባር እኩይሲ መቕጻዕቲ ዜምጽኣሉ ፈዳይ ሕነ ስለ ዝኾነ፡
ሰይፊ ንኸንቱ ኣይዕጠቕን እዩ እሞ፡ ፍራህ። 5 ስለዚ ኸኣ ስለ ሕሊና ኢልኩም እምበር፡ ስለ መቕጻዕቲ
ጥራይ ኣይኮነን፡ ክትግዝእዎም ዚግብኣኩም። 6 ገላዉ ኣምላኽ እዮም እሞ፡ በዚ ተግባር እዚ ኸየብኰሩ
የገልግሉ ኣለዉ። ስለዚውን ኢኹም ግብሪ እትህቡ ዘሎኹም። 7 እምብኣርስ ግብሪ ንዚግብኦ ግብሪ፡ ተጎ
ንዚግብኦ ተጎ፡ ፍርሃት ንዚግብኦ ፍርሃት፡ ክብረት ንዚግብኦ ኽብረት፡ ንኹሉ እቲ ዘዚግብኦ ሃብዎ። 8
እቲ ንብጻዩ ዜፍቅር ንሕጊ ፈጺምዎ እዩ እሞ፡ እታ ንሓድሕድኩም ምፍቃር እንተ ዘይኮይና፡ ንገለ እኳ
ዕዳ ኣይሃሉኹም። 9 እዚ፡ ኣይትዘሙ፡ ኣይትቕተል፡ ኣይትሰረቕ፡ ብሓሶት ኣይትመስክር፡ ኣይትመነ፡
እተባህለ፡ ካልእ ትእዛዝውን እንተ ኾነ፡ በዚ፡ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅሮ፡ ዚብል ቃል ክቱት እዩ።
10 ፍቕሪ ንብጻያ እከይ ኣይትገብሮን፡ እምብኣርሲ ፍቕሪ መደምደምታ ሕጊ እያ። 11 ምድሓን ካብቲ
ዝኣመንናሉ ጊዜስ ሕጂ ኣዝዩ ናባና ቐሪቡ ኣሎ እሞ፡ ሕጂ ኻብ ድቃስ ኣትባራበሩሉ ጊዜ ኸም ዝበጽሔ፡
ነዛ ዘመን ፍለጥዋ። 12 ለይቲ ሐሊፋ፡ መዓልቲ ቐሪባ እያ እሞ፡ ግብሪ ጸልማት ካባና ደርቢናስ፡ ኣጽዋር
ብርሃን ንልበስ። 13 ከም ብመዓልቲ ብቕንዕና ንመላለስ፡ ብጓይላን መስተን ኣይኮነን፡ ብምንዝርናን
ዕብዳንን ኣይኮነን፡ ብባእስን ቅንኣትን ኣይኮነን። 14 ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ደኣ ልበስዎ እምበር፡ ነቲ
ሓልዮት ስጋስ መለዓዓል ትምኒት ኣይትግበርዎ።

# ምዕራፍ 14

1 ነቲ ብእምነት ድኹም ዝኾነ፡ ብናይ ጥርጥር ክይተኻራኸርኩም፡ ተቐበልዎ። 2 ኲሉ ምብላዕ ከም
እተፈቕደሉ ዚኣምን ኣሎ፡ እቲ ድኹም ግና ሓምሊ እዩ ዚበልዕ። 3 ኣምላኽ ተቐቢልዎ እዩ እሞ፡ እቲ
ዚበልዕ ነቲ ዘይበልዕ ኣይንዓቆ። እቲ ዘይበልዕውን ኣብቲ ዚበልዕ ኣይፍረድ። 4 ንስኻኸ ኣብ ጊልያ ኻልእ
እትፈርድ እንታዋይ ኢኻ፧ ንሱ ንጐይታኡ እዩ ደው ዚብል ወይስ ዚወድቕ። ግናኸ እግዚኣብሄር ደው
ኬብሎ ይኽእል እዩ እሞ፡ ደው ኪብል እዩ። 5 እቲ ሓደ ነታ ሓንቲ መዓልቲ ኻብታ ኻልእ ኣብሊጹ
ይፈልያ፡ እቲ ሓደ ግና ንዂላተን መዓልትታት ማዕረ ገይሩ እዩ ዚርእየን። ነፍሲ ወከፍ ብሓሳቡ ርዱእ
ይኹን። 6 እቲ ነታ መዓልቲ ዚጥንቀቐላ ንጐይታ ኢሉ ይገብሮ። እቲ ዚበልዕ ድማ፡ ንኣምላኽ የመስግኖ
እዩ እሞ ንጐይታ ኢሉ እዩ ዚበልዕ። እቲ ዘይበልዕውን ንጐይታ ኢሉ እዩ ዘይበልዕ፡ ንኣምላኽ ከኣ
የመስግኖ። 7 ካባናስ ሓደ እኳ ንርእሱ ኢሉ ዝነብር የልቦን እሞ፡ ንርእሱ ዚመውት ከኣ ሓደ ኣኳ የልቦን።
8 ብህይወት እንተ ነበርና፡ ንጐይታ ኢና እንነብር፡ ወይስ እንተ ሞትና፡ ንጐይታ ኢና እንመውት እሞ፡
ብህይወት እንተ ነበርና ወይስ እንተ ሞትና፡ ናይ ጐይታ ኢና። 9 ስለዚ ኸኣ እዩ ክርስቶስ ጐይታ
ምዉታትን ህያዋንን ምእንቲ ኪኸውን ኢሉ፡ ዝሞተን ህያው ዝኾነን። 10-11 ኣነ ህያው እየ፡ ይብል
እግዚኣብሄር፡ ኲሉ ብርኪ ኺሰግደለይ፡ ኲሉ ልሳንውን ንኣምላኽ ኬመስግኖ እዩ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ
እሞ፡ ኲላትና ኣብ ቅድሚ መንበር ፍርዲ ኣምላኽ ደው ክንብል ኢና። ስለምንታይ ደኣ ንስኻ ኣብ
ሓውኻ እትፈርድ፧ ወይስ ንምንታይ ንስኻ ንሓውኻ እትንዕቖ፧ 12 እምብኣርሲ ነፍሲ ወከፍና በብናይ
ርእሱ ንኣምላኽ ጸብጻብ ኪህብ እዩ። 13 ስለዚ ኣብ ንሓድሕድና ኣይንፍረድ። ሓደ እኳ ንሓዉ መዓንቀፊ
ወይስ መሓንኰሊ ኸይገብረሉ ግዳ፡ እዚ ፍረዱ። 14 ነቲ ኸም ርኹስ ዚርእዮ ደኣ፡ ንእኡ እዩ ርኹስ
ዚኾኖ እምበር፡ ብርእሱስ ገለ ርኹስ እኳ ኸም ዜልቦ፡ ብጐይታና የሱስ እፈልጥ ተረዲኤዮውን
ኣሎኹ። 15 ሓውካ በቲ ብልዕኻ እንተ ጐሃየ፡ ደጊም ብፍቕሪ ኣይኰንካን እትኸይድ ዘሎኻ እሞ፡ ነቲ
ክርስቶስ ዝሞተሉ ብብልዕኻ ኣይተጥፍኣዮ። 16-17 መንግስቲ ኣምላኽሲ ብመንፈስ ቅዱስ ጽድቅን ሰላምን
ሓጐስን እያ እምበር፡ ብብልዕን መስተን ኣይኰነትን እሞ፡ ነቲ ሰናይኩም ኣይተጽርፍዎ። 18 እቲ በዚ
ኸምዚ ንክርስቶስ ዜገልግል ንኣምላኽ ባህ የብሎ ብሰብውን ፍቱን እዩ። 19 እምብኣርስኸ ኣስኣሰር ናይ
ሰላም ነገርን ኣስኣሰር ንሓድሕድና ዚሃንጽን ንስዓብ። 20 ነቲ ተግባር ኣምላኽሲ ብምኽንያት ብልዒ
ኣይተፍርሶ። ኲሉ ንጹህ እዩ፡ ነቲ ብውልውል ዚበልዕ ሰብ ግና ክፉእ እዩ። 21 ሓውካ ዚዕንቀፈሉ ዘበለ
ዘይምግባር፡ ስጋ ዘይምብላዕ ወይስ ወይኒ ዘይምስታይ፡ ጽቡቕ እዩ። 22 ንስኻ፡ ኣታ እምነት ዘላትካ፡ ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽ ንርእስኻ ትሃሉኻ፡ እቲ በቲ ጽቡቕ ኢሉ ዝፈተኖ ነገር ኣብ ርእሱ ዘይፈርድ ብጹእ እዩ።
23 ግናኸ ካብ እምነት ዘይኰነ ዘበለ ኲሉ ሓጢኣት እዩ እሞ፡ እቲ እናተዋላወለ ዚበልዕ፡ ብእምነት ስለ
ዘይበልዔ፡ ይኹነን።

# ምዕራፍ 15

1 እምብኣርሲ ንሕና ብርቱዓት ዝኾንና፡ ድኻም እቶም ድኹማት ክንጾውር፡ ንርእስናውን ባህ
ከይነብል፡ ይግብኣና እዩ። 2-3 ከምቲ ጽሑፍ፡ ጸርፊ እቶም ዝጸረፉኻ ኣባይ ወደቐ፡ ዚብል፡ ክርስቶስ ድማ
ንርእሱ ባህ ዜብል ኣይደለየን እሞ፡ ነፍሲ ወከፍና፡ ንብጻዩ ምእንቲ ኺሃንጽ፡ ብሰናይ ነገር ባህ የብሎ። 4
ብትዕግስትን ብምጽንናዕ ጽሑፋትን ተስፋ ምእንቲ ኪኾነልና፡ እቲ ቐደም እተጻሕፈ ዘበለ ዂሉ
ንምህሮና እዩ እተጻሕፈ። 5-6 ግናኸ ሐቢርኩም ብሓደ ኣፍ ኴንኩም ንኣምላኽ፡ ንሱ ኸኣ ኣቦ ጐይታና

የሱስ ክርስቶስ፡ ምእንቲ ኸተኽብሩስ፡ እቲ ናይ ትዕግስትን ምጽንናዕን ኣምላኽ ኣብ ንሓድሕድኩም፡ ከምቲ ናይ ክርስቶስ የሱስ ጌርኩም፡ ሓደ ሓሳብ ክትሐስቡ ይሃብኩም። [7-8] ክርስቶስ ነቲ ተስፋ ኣቦታት ኬጽንዖስ፡ ምእንቲ ሓቂ ኣምላኽ ኣገልጋሊ ግዝረት ከም ዝኾነ፡ እብል ኣሎኹ። ስለዚ ድማ፡ ከምቲ ክርስቶስ ንኽብሪ ኣምላኽ እተቐበለኩም፡ ንሓድሕድኩም ተቓበሉ። [9] ኣህዛብ ግና ከምቲ ጽሑፍ፡ ስለዚ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኤመስግነካ ንስምካውን እዝምር ኣሎኹ፡ ዚብል፡ ንኣምላኽ ምእንቲ ምሕረቱ የመስግንዎ። [10] ከም ብሓድሸውን፡ ኣቱም ኣህዛብ፡ ምስ ህዝቡ ኼንኩም ተሐጐሱ፡ ይብል። [11] መሊሱ ኸኣ፡ ኵላትኩም ኣህዛብ፡ ንጐይታ ኣመስግንዎ፡ ብዘለዉ ህዝብታትውን ይወድስዎ፡ ይብል። [12] ኢሳይያስ ድማ ደጊሙ፡ እቲ ሱር እሴይ ኪኸውን እዩ፡ እቲ ኣብ ኣህዛብ ኪገዝእ ዚትንስእ፡ ብእኡውን ኣህዛብ ተስፋ ኺገብሩ እዮም፡ ይብል። [13] ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ኣዚኹም ብተስፋ ምእንቲ ኽትህብትሙስ፡ እቲ ናይ ተስፋ ኣምላኽ ኵሉ ሓጐስን ሰላምን ዘበለ ብእምነት ይምላእኩም። [14] ኣሕዋተየ፡ ብዛዕባኻትኩምሲ ብጽቡቕ ነገር ምሉኣት ምኽንኩም ብፍልጠት ዘበለ ኹሉ ኽም ዝመላእኩም፡ ንሓድሕድኩም ምምዕዓድውን ከም ዚኾነልኩም፡ ኣነ ባዕለይ ተረዲኤዮ ኣሎኹ። [15-16] ግናኸ እቲ ብመንፈስ ቅዱስ እተቐደሰ ምስዋእ ኣህዛብ ቅቡል ምእንቲ ኪኸውን፡ ብወንጌል ኣምላኽ እናኣገልገልኩ ናይ የሱስ ክርስቶስ ኣገልጋሊ ነህዛብ ምእንቲ ክኸውንሲ፡ በቲ ኻብ ኣምላኽ እተዋህበኒ ጸጋ ኽም ዘዘክረኩም ኰይነ፡ ብሓደ ወገን ኣዝየ ደፊረ ጸሓፍኩልኩም። [17-19] እምብኣርሲ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ፡ ብሓይሊ ትእምርትን ተኣምራትን፡ንምእዛዝ ኣህዛብ፡ክርስቶስ ብቓልን ብግብርን ዘይገበሮስ ክዛረበሉ እኳ ኣይደፍርን እየ እሞ፡ ብናይ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ዝምከሓሉ ኣሎኒ። ከምዚ ኻብ የሩሳሌምን ከባቢኣን ጀሚረ ኽሳዕ ኢሊሪኮን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ብምሉእ ሰቢኸክዎ። [20-21] ከምቲ፡ ብእኡ ዘይተነግረሎም ኪርእይዎ እዮም፡ እቶም ዘይሰምዑውን ኬስተብህሉ እዮም፡ ዚብል ጽሑፍ ደኣ እምበር፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ኻልእ ሰብ ዝመስረቶ ምእንቲ ኸይሃንጽሲ፡ ኣብቲ ክርስቶስ እተሰምየሉ ዘበለ፡ ወንጌል ከይሰብኽ፡ ክብረተይ ገይረዮ ኣሎኹ። [22] ስለዚ ኸኣ ናባኻትኩም ካብ ምምጻእ ብዙሕ ሳዕ ተኸልከልኩ። [23] ሕጂ ግና ኣብዚ ሃገር እዚ ስፍራ ስለ ዜብለይ፡ ናባኻትኩም ምምጻእውን ካብ ብዙሕ ዓመታት ሒዘ ስለ ዝናፈቕኩ፡ [24] ንስጳንያ ክኸይድ ከሎኹ፡ ናባኻትኩም ክመጽእ እየ። ክሐልፍ ከሎኹ ኽርእየኩም፡ ቅድም ቅሩብ ብምርኣይኩም ምስ ጸገብኩ፡ ካብኡ ንንየው ድማ ብኣኻትኩም ክስነ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። [25-26] ሕጂ ግና መቄዶንያን ኣካይያን ነቶም ኣብ የሩሳሌም ዘለዉ ናይ ቅዱሳን ድኻታት ገንዘብ ኬዋጽኡ ፈትዮም ስለ ዘለዉ፡ ነቶም ቅዱሳን እናኣገልገልኩ ናብ የሩሳሌም እኸይድ ኣሎኹ። [27] ሰሚሮምዎ እዮም እሞ፡ ሰብ ኢዶምውን እዮም። ካብቲ መንፈሳዊ ርካቦም እቶም ኣህዛብ ካብ ተማቐሉስ፡ ንሳቶም ድማ በቲ ንስጋኦም ዜድሊ ኼገልግልዎም፡ ዚግባእ እዩ። [28] እምብኣርሲ እዚ ምስ ወዳእኩ፡ እዚ ፍረ እዚውን ምስ ሐተምኩሎም፡ ብኣኻትኩም ኣቢለ ንስጳንያ ክኸይድ እየ። [29] በቲ ናባኻትኩም ምምጻኤይ ከኣ ብምልኣት በረኸት ክርስቶስ ከም ዝመጽእኩ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። [30-32] ኣሕዋተየ፡ ካብቶም ኣብ ኣይሁድ ዘለዉ ዘይኣምኑ ኽድሕን፡ ኣገልግሎተይ ንየሩሳሌምውን ኣብቶም ቅዱሳን ስሙር ምእንቲ ኪኸውን፡ ምሳኻትኩም ምእንቲ ኸዕርፍሲ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ብሓጐስ ናባኻትኩም ክመጽእ፡ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብፍቕሪ መንፈስን ብጸሎትኩም ምእንታይ ምሳይ ናብ ኣምላኽ ክትጋደሉ፡ እምዕደኩም ኣሎኹ። [33] ኣምላኽ ሰላም ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።

## ምዕራፍ 16

1 ንፌቤን ሓብትና፡ እታ ኣገልጋሊት ማሕበር ክንክርኤስ ግዳ፡ ኤማዕቍበኩም ኣሎኹ። 2 ንሳ ድማ
ንብዙሓት ንኣይ ንርእሰይን ደጋፊት ነይራ እያ እሞ፡ ንቕዱሳን ከም ዚግባእ ጌርኩም ተቐበልዋ፡
ብትደልየኩም ዘበለ ተግባርውን ደግፍዋ። 3 ነቶም ብክርስቶስ የሱስ መዓይይተይ፡ ጵርስኪላን ኣኪላስን፡
ሰላም በሉ። 4 ንሳቶም ኣብ ክንዲ ህይወተይ ክሳዶም ዘሕለፉ፡ ብዘለዋ ማሕበራት ኣህዛብ ከኣ
ዜመስግናኦም እምበር ኣነ ጥራይ ዘይኰንኩ ዘመስግኖም ዘሎኹ። 5 ነታ ኣብ ቤቶም ዘላ ማሕበርውን
ሰላም በሉ። ንኤጴኔጦስ ፍቁረይ፡ ንሱ ድማ ንክርስቶስ በዅሪ እስያ ዝዀነ ሰላም በሉ። 6 ነታ
ንኣኻትኩም ብዙሕ ዝጸዓረት ማርያም ሰላም በሉ። 7 ነቶም ኣብ ሃዋርያት ፍሉጣት፡ ቅድመይ ድማ ናብ
ክርስቶስ ዝመጹ ምሳይውን እተኣስሩ ኣዝማደይ ኣንድሮኒቆስን ዮንይን ሰላም በሉ። 8 ንኣምጵልያስ
ብጐይታ ፍቁረይ ሰላም በሉ። 9 ንኡርባኖስ ብክርስቶስ መዓይይትናን ንእስጣኩስ ፈታውየይን ሰላም
በሉ። 10 ነቲ ብክርስቶስ እተፈተነ ኣጵሌስ ድማ ሰላም በሉ። ንስድራ ቤት ኣርስጦቡሎስ ሰላም በሉ። 11
ንሄሮድዮን ዘመደይ ሰላም በሉ። ነቶም ብጐይታ ዘለዉ ኻብ ስድራ ቤት ናርቂሶስ ሰላም በሉ። 12 ነተን
ብጐይታ ዚጽዕራ ዘለዋ ጥሪፌናን ጥሪፎሳን ሰላም በሉ። ነታ ብጐይታ ብዙሕ ዝጸዓርት ጰርሲስ ፍቕርቲ
ሰላም በሉ። 13 ነቲ ብጐይታ እተሐርየ ሩፎስን ነዲኡን ኣደይን ሰላም በሉ። 14 ንኣስንቅሪጦስን ንፍሌጎንን
ንሄርሜስን ንጳጥሮባስን ንሄርማስን ምሳታቶም ንዘለዉ ኣሕዋትን ሰላም በሉ። 15 ንፊሎሎጎስን ንዩልያን
ንኔርዮስን ንሓብቱን ንኦልምጳስን ነቶም ምሳታቶም ዘለዉ ዅሎም ቅዱሳንን ሰላም በሉ። 16
ንሓድሕድኩም ከኣ ብቕዱስ ምስዕዓም ሰላም ተባሃሃሉ። ኲለን ማሕበራት ክርስቶስውን ሰላም
ይብላኹም ኣለዋ። 17-18 ግናኸ ኣሕዋተየ፡ ነቶም ካብቲ እተመሃርኩምዎ ምህሮ ምፍልላይን መዓንቀፍን
ዚገብሩ ኸትዕዘብዎም፡ እምዕደኩም ኣሎኹ። እቶም ከምዚኣቶም ዝበሉ ንኸብዶም እምበር፡ ንጐይታና
የሱስ ክርስቶስ ኣየገልግልዎን፡ ብጥዑም ዘረባን ምርቓን ልቢ እቶም ገርህታት የስሕቱ እዮም እሞ፡
ካባታቶም ኣግልሱ። 19 ምእዛዝኩም ኣብ ኵሉ ተሰሚዑ እዩ፡ ስለዚ ብኣኻትኩም እሕጐስ ኣሎኹ።
ንሰናይ ብልህታት፡ ንእኩይ ግና ገርህታት ክትኰኑ፡ እደሊ ኣሎኹ። 20 ኣምላኽ ሰላም ከኣ ንሰይጣን
ቀልጢፉ ኣብ ትሕቲ እግርኹም ኪቕጥቅጦ እዩ። ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምሳኻትኩም ይኹን። 21
ጢሞቴዎስ፡ እቲ መዓይይተይ፡ ሰላም ይብለኩም ኣሎ። ሉክዮስን ያሶንን ሶሲጳጥሮስን ኣዝማደይ ሰላም
ይብሉኹም ኣለዉ። 22 ኣነ ጠርጥዮስ፡ ነዛ መልእኽቲ እዚኣ ዝጸሐፍኩ፡ ብጐይታ ሰላም እብለኩም
ኣሎኹ። 23 እቲ ንኣይን ነታ ማሕበር ኲላን ግሽነት ዚቕበል ጋይዮስ ሰላም ይብለኩም ኣሎ። ኤራስጦስ፡
እቲ ተሓዝ ገንዘብ ከተማን ቁኣርጦስ ሓዉናን ሰላም ይብልኹም ኣለዉ። 24-25 ነቲ ብወንጌለይን
ብስብከት የሱስ ክርስቶስን ብምግሃድ እቲ ኻብ ዘለኣለም ተሰዊሩ ዝነበረ ሕጂ ግና እተገልጸ ምስጢር፡
በቲ ብጽሕፈት ነብያትውን ብትእዛዝ እቲ ናይ ዘለኣለም ኣምላኽ ንምእዛዝ እምነት ንዅሎም ኣህዛብ
እተነግረ ምስጢር፡ ነቲ ኼጽንዓኩም ዚከኣሎ፡ 26 ነቲ በይኑ ጥበብ ኣምላኽ ብየሱስ ክርስቶስ ንዘለኣለም
ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን። 27 ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ኲላትኩም ይኹን፡፡ ኣሜን፡፡

# 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋሪያ የሱስ ክርስቶስ ኪኸውን እተጸውዔ፡ ሶስቴኔስ ከኣ ሓውና፡ 2 ነታ
ኣብ ቈረንቶስ ዘላ ማሕበር ኣምላኽ፡ ብክርስቶስ የሱስ እተቐደሱ፡ ቅዱሳን ንምዃን እተጸውዑ፡ ኣብ
ኲሉ ስፍራ፡ ኣብኦምን ኣባናን፡ ስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ዚጽውዑ ዘበሉ ዅላቶም፡ 3 ካብ
እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን። 4-6 ኣነ፡ ከምቲ
ምስክር ክርስቶስ ኣባኻትኩም ዝጸንዔ፡ ስለቲ ብክርስቶስ የሱስ እተዋህበኩም ጸጋ ኣምላኽ ብዅሉ
ቓልን ብዅሉ ፍልጠትን ብዅሉ ብእኡ ስለ ዝሃብተምኩም፡ ኲሉ ሳዕ ብዛዕባኹም ንኣምላኸይ
ኤመስግን ኣሎኹ። 7 ምግሃድ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እናተጸቤኹም፡ ብሓደ ውህበት ጸጋ እኳ
ኸይጐደልኩም፡ 8 ንሱ ድማ፡ ብመዓልቲ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘይ እንታ ኽትኰኑ፡ ክሳዕ
መወዳእታ ኼጽንዓኩም እዩ። 9 እቲ ናብ ሕብረት ወዱ የሱስ ክርስቶስ ጐይታና ዝጸውዓኩም ኣምላኽ
እሙን እዩ። 10-12 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ኣባኻትኩም ክርክር ከም ዘሎስ፡ ብዛዕባኹም ሰብ ቤት ቀሎኤ
ነጊሮምኒ ኣለዉ፡ እዚ ማለት፡ ነፍሲ ወከፍኩም፡ ኣነ ናይ ጳውሎስ እየ፡ ኣነስ እባ ናይ ኣጵሎስ፡ ኣነ ናይ
ኬፋ፡ ኣነስ ናይ ክርስቶስ እየ፡ ከም እትብሉ፡ እዚ እየ ዝብል ዘሎኹ። ኣሕዋተየ፡ ኲላትኩም ሓደ ዘረባ
ኽትዛረቡ፡ ብሓደ ልብን ብሓደ ሓሳብን ፍጹም ክትጋጠሙ እምበር፡ ምፍልላይ ከይህልወኩም፡
እምዕደኩም ኣሎኹ። 13 ክርስቶስዶ ተመቒሉ እዩ፧ ወይስ ጳውሎስዶ ተሰቂሉልኩም እዩ፧ ወይስ ብስም
ጳውሎስ ዲኹም እተጠመቕኩም፧ 14-15 ሓደ እኳ ብስመይ ከም እተጠመቕኩም ከይብል፡ ብዘይ
ክሪስጶስን ገይዮስን ንሓደ ኻባኻትኩም እኳ ስለ ዘየጥመቕኩ ንኣምላኽ ኤመስግኖ ኣሎኹ። 16 ስድራ ቤት
እስጢፋኖስውን ኣጥሚቐ ኣሎኹ፡ ብዘይ እዚኣቶም ሓደ ኻልእ ከም ዘጥመቕኩ፡ ኣይፈልጥን እየ። 17
እቲ መስቀል ክርስቶስ ከንቱ ምእንቲ ኸይከውን፡ ብጥበብ ዘረባ ኸይግበር፡ ክርስቶስ ወንጌል ክሰብኽ
ደኣ እምበር፡ ከጥምቕሲ ኣይለኣኸንን። 18-19 ጥበብ ጠቢባን ከጥፍእ እየ፡ ምስትውዓል እቶም
ኣስተውዓልቲውን ከፍርስ እየ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ቃል መስቀል ነቶም ዚጠፍኡ ዕሽነት እዩ፡ ንኣና
ንምድሕን ግና ሓይሊ ኣምላኽ እዩ። 20 ጥበበኛ ኣበይ ኣሎ፧ ምሁር ጽሑፋትሲ ኣበይ ኣሎ፧ መርማሪ እዛ
ዓለም እዚኣኸ ኣበይ ኣሎ፧ ኣምላኽ ንጥበብ እዛ ዓለም እዚኣዶ ዕሽነት ኣይገበሮን እዩ፧ 21 ስለዚ ዓለም
ብጥበባ ንኣምላኽ ብጥበብ ኣምላኽ ገይራ ኻብ ዘይፈለጠቶ፡ ኣምላኽ ነቶም ዚኣምኑ ብናይ ስብከት
ዕሽነት ገይሩ ኼድሕኖም ፈቐደ። 22 ኣይሁድ ምልክታት ይልምኑ፡ ጽርኣውያን ድማ ጥበብ ይደልዩ፡ 23
ንሕና ግና ነቲ ንኣይሁድን መዓንቀፊ፡ ነህዛብን ዕሽነት ዝኾነ እተሰቕለ ክርስቶስ ንሰብኽ ኣሎና። 24 ንሱ
ነቶም ጽዉዓት፡ ንኣይሁድ ኰነ፡ ንጽርኣውያን ኰነ፡ ክርስቶስ፡ እቲ ሓይሊ ኣምላኽን ጥበብ ኣምላኽን
እዩ። 25 ካብ ሰብሲ ዕሽነት ኣምላኽ ይጠብብ፡ ካብ ሰብ ከኣ ድኻም ኣምላኽ ይብርትዕ። 26 ኣሕዋተየ፡
ኣብቲ ጽውዓኹም እማ ተመልከቱ ብዙሓት ብስጋ ለባማት፡ ብዙሓት ስልጡናት፡ ብዙሓት ጭዋታት
ኣይተጸውዑን። 27 ኣምላኽ ግና፡ ነቶም ጠቢባን ምእንቲ ኼሕፍርሲ፡ ንዕሽነት እዛ ዓለም እዚኣ ሐረየ፡
ነቶም ብርቱዓት ምእንቲ ኼሕፍር ከኣ፡ ኣምላኽ ነቲ ድኻም እዛ ዓለም እዚኣ ሐረየ። 28-29 ስጋ ዘበለ ኣብ

ቅድሚ ኣምላኽ ምእንቲ ኸይምካሕውን፡ ኣምላኽ ነቲ፡ ኣነ ገለ እየ፡ ዚብል ከንቱ ምእንቲ ኺገብር፡ ነቲ
ብዓለም ሕሱርን ንዑቕን ገለ ዘይኰነን ሐረየ። [30-31] ግናኸ እቲ ጽሑፍ፡ ዚምካሕ ብእግዚኣብሄር
ይመካሕ፡ ዚብሎ ምእንቲ ኺፍጸም፡ ንስኻትኩም ካብኡ ኣብቲ ኻብ ኣምላኽ ንጥበብን ጽድቕን
ምቕዳስን ምድሓንን ዝኾነልና ክርስቶስ የሱስ ኢኹም።

## ምዕራፍ 2

[1-2] ኣሕዋተየ፡ ኣነ ድማ ኣብ ማእከልኩም ከሎኹ፡ ብዘይ የሱስ ክርስቶስ፡ ንሱ ኸኣ እቲ እተሰቕለ፡ ሓደ
ነገር እኳ ኽም ዘይፈልጥ መደብኩ እሞ፡ ናባኻትኩም ከመጽእ ከሎኹ፡ ምስክር ኣምላኽ ብብሉጽ ዘረባ
ወይስ ብጥበብ ክነግረኩም ኣይመጻእኩን። [3] ኣነ ኸኣ ብድኻምን ብፍርሃትን ብብዙሕ ምምብድባድን እየ
ኣባኻትኩም ዝነበርኩ። [4-5] እምነትኩም ብስልጣን ኣምላኽ እምበር፡ ብጥበብ ሰብ ምእንቲ
ኸይትስረትሲ፡ ዘረባይን ስብከተይን ድማ ብምርዳእ መንፈስን ስልጣንን እምበር፡ ብዜስድዕ ዘረባ ጥበብ
ኣይነበረን። [6-7] እምብኣርስ ኣብ ማእከል እቶም እኹላት ጥበብ ንዛረብ ኢና፡ እቲ ኣምላኽ ቅድሚ
ዘመናት ንኽብረትና ዘዳለዎ፡ እቲ ናይ ኣምላኽ ሕቡእ ምስጢር ጥበብ ኢና እንዛረብ ዘሎና እምበር፡
ጥበብ እዛ ዓለም እዚኣ ወይስ ናይቶም ዚሐልፉ ገዛእቲ እዛ ዓለም እዚኣ ኣይንዛረብን ኢና። [8] ካብ ገዛእቲ
እዛ ዓለም እዚኣ ሓደ እኳ ነዚ ጥበብዚ ኣይፈለጦን፡ እንተ ዚፈልጥዎስ፡ ንጐይታ ኽብሪ ኣይምሰቐልዎን
ነይሮም። [9] ግናኸ ከምቲ ጽሑፍ፡ እቲ ዓይኒ ዘይረኣየቶ እዝኒ ኸኣ ዘይሰምዓቶ ኣብ ልቢ ሰብ ድማ
ዘይተሓስበ፡ ኣምላኽ ነቶም ዜፍቅርዎ ኣዳለወሎም፡ ዚብል፡ [10] እቲ መንፈስ ግና መዓሙቕ ኣምላኽ እኳ
ኸይተረፈ ንዅሉ ይምርምር እዩ እሞ፡ ንኣና ኣምላኽ ብመንፈሱ ገይሩ ገለጸልና። [11] እቲ ኣብኡ ዘሎ
መንፈስ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ኣብ ሰብ ዘሎ ነገር ዚፈልጥ እንታዋይ ሰብ እዩ፧ ከምኡውን መንፈስ
ኣምላኽ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ነቲ ኣብ ኣምላኽ ዘሎ ሓደ እኳ ዚፈልጦ የልቦን። [12] ንሕና ግና፡ እቲ
ብኣምላኽ እተዋህበና ምእንቲ ኽንፈልጥሲ፡ ነቲ ኻብ ኣምላኽ ዚኸውን መንፈስ እምበር፡ መንፈስ ዓለም
ኣይተቐበልናን። [13] ንሕና ኸኣ መንፈሳዊ ነገር ምስ መንፈሳዊ እናኣሰማማዕና፡ መንፈስ ቅዱስ ብዚምህረሉ
ቓል እምበር፡ ጥበብ ሰብ ብዚምህረሉ ቓል ኣይኰንናን እንዛረብ ዘሎና። [14] እቲ ስጋዊ ሰብ ነቲ ኣብ
መንፈስ ኣምላኽ ዘሎ ኣይቅበሎን፡ ብመንፈስ ዚምርመር ስለ ዝኾነ፡ ንእኡ ዕሽነት እዩ እሞ፡
ኬስተውዕሎ ኣይከኣሎን እዩ። [15-16] ንእግዚኣብሄር ኪምህሮ ኢሉ፡ ሓሳቡ ዝፈለጠኸ እንታዋይ እዩ፧
ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና። እምብኣርሲ እቲ መንፈሳዊ ንዅሉ ይምርምር፡ ንሱ ግና ብሓደ እኳ
ኣይምርመርን እዩ።

## ምዕራፍ 3

[1] ኣሕዋተየ፡ ኣነ ኸኣ ከም ንስጋውያን፡ ከም ንቈልዑ ብክርስቶስ እምበር፡ ከም ንመንፈሳውያን
ክዛረበኩም ኣይኰነለይን እዩ። [2-3] ገና ስጋውያን ስለ ዝኾንኩም፡ ጸባ መገብኩኹም፡ ዕጽም ብልዒ
ኣይኰነን። ገና ኣይከኣልኩምዎን፡ ሕጂ እኳ ኣይትኽእልዎን ኢኹም። ቅንኣት ባእስን ካብ
ዚህልወኩምሲ፡ ስጋውያን ምዃንኩምዶ ኣይኰነን፧ ከም ባህሊ ሰብዶ ትኸዱ ኣየለኹምን፧ [4] እቲ ሓደ፡
ኣነስ ናይ ጳውሎስ እየ፡ ሓደ ኻልእ ከኣ፡ ኣነስባ ናይ ኣጵሎስ እየ፡ ካብ ዚብል፡ ስጋውያን ምዃንኩምዶ
ኣይኰነን፧ [5] እምብኣርከ፡ ኣጵሎስ እንታይ እዩ፧ ጳውሎስሲ እንታይ እዩ፧ ብኣታቶም ጌርኩም ናብ እምነት

ዝበጻሕኩም ኣገልገልቲ እዮም፡ እዚ ድማ እግዚኣብሄር ንነፍሲ ወከፎም ከም ዝሃቦ እዩ። 6 ኣነ ተኸልኩ
ኣጵሎስ ኣስተየ፡ ኣምላኽ ግና ኣብቈለ። 7 እምብኣርሲ እቲ ዜብቍል ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ እቲ
ዚተክል ወይስ እቲ ዜስቲ ዚዓብሱ የብሎምን። 8 እቲ ዚተክልን እቲ ዜስትን ሓደ እዮም፡ ነፍሲ ወከፎም
ከኣ ከከም ጻዕሩ ዓስቡ ኪቕበል እዩ። 9 ንሕና መዓይይቲ ኣምላኽ ኢና እሞ፡ ንስኻትኩም ግራት ኣምላኽ፡
ህንጻ ኣምላኽ ኢኹም። 10-11 ብዘይ እቲ ስሩት መሰረት፡ ንሱ ኸኣ የሱስ ክርስቶስ፡ ካልእ መሰረት ሓደ
እኳ ኺሰርት ዚኽእል የልቦን እሞ፡ ኣነ ኸምቲ እተዋህበኒ ጸጋ ኣምላኽ ብልሓተኛ ሃናጺ ኾይነ ነቲ
መሰረት ሰረትኩ፡ ሓደ ኻልእ ከኣ ኣብ ልዕሊኡ ይሃንጽ። ነፍሲ ወከፍውን ከመይ ገይሩ ኸም ዚሃንጽ
ይጠንቀቕ። 12 ሓደ እኳ ኣብ ልዕሊ እዛ መሰረት እዚኣ ወርቂ፡ ብሩር፡ ክቡር እምኒ፡ ዕጨይቲ፡ ሳዕሪ
ወይስ ሓሰር እንተ ሰርሔ፡ 13 እታ መዓልቲ እቲኣ ብሓዊ ኽትግለጽ እያ እሞ፡ ክትቀልዖ እያ። ግብሪ ነፍሲ
ወከፍ ኪግሃድ እዩ፡ ንግብሪ ነፍሲ ወከፍ ከኣ ከመይ ምዃኑ እቲ ሓዊ ኺፍትኖ እዩ። 14 ሰብ፡ እቲ ኣብ
ልዕሊኡ እተሃንጸ ዕዮ እንተ ጸንዓሉ፡ ዓስቢ ኪቕበል እዩ። 15 እቲ ዕዮኡ እንተ ነደደ ግና፡ ዓስቡ ኺስእን
እዩ። ንርእሱ ግና ኪድሕን፡ ግናኸ ከምቲ ሓዊ ሓሊፉ ዝደሓነ እዩ። 16 ቤተ መቕደስ ኣምላኽ
ምዃንኩምን መንፈስ ኣምላኽ ኣባኻትኩም ሐዲሩ ምህላዉን ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 17 ሓደ እኳ ነታ
ቤተ መቕደስ ኣምላኽ እንተ ኣማሰነ፡ ኣምላኽ ኬማስኖ እዩ። ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ቅድስቲ እያ፡ እዛ
ቤተ መቕደስ እዚኣውን ንስኻትኩም ኢኹም። 18-20 ሓደ እኳ ንርእሱ ኣይጠብራ። ነቶም ጥበበኛታት
ብጕርሖም ይሕዞም እዩ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ ከም ብሓድሽ፡ እግዚኣብሄር ሓሳብ እቶም
ጥበበኛታት ከንቱ ምዃኑ ይፈልጦ፡ ዚብል ጽሑፍ ኣሎ። ጥበብ እዛ ዓለም እዚኣ ኣብ ኣምላኽ ዕሽነት
እያ እሞ፡ ገለ ኻባኻትኩም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ጥበበኛ ኸም ዝኾነ እንተ መሰሎ፡ ጥበበኛ ምእንቲ
ኪኸውንሲ ዓሻ ይኹን። 21-22 ጳውሎስ ወይ ኣጵሎስ፡ ኬፋ ኾነ ዓለም ኰነት፡ ህይወት ኰነት ሞት ኰነ፡
ዘሎ ኾነ ወይ ዚመጽእ፡ ኩሉ ናታትኩም እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ብሰብ ኣይመካሕ። 23 ንስኻትኩምሲ ናይ
ክርስቶስ ደኣ ኢኹም፡ ክርስቶስውን ናይ ኣምላኽ እዩ።

## ምዕራፍ 4

1 ከምኡኸ ሰብ ንኣና ኸም ኣገልገልቲ ክርስቶስን ከም መገብቲ ምስጢር ኣምላኽን ደኣ ይቝጸሩና። 2
ምስናይ እዚ ኻብ መገብቲ ነፍሲ ወከፍ እሙን ኰይኑ ኺርከብ የድሊ እዩ። 3-4 ንኣይሲ ብኣኻትኩም
ወይስ ብመዓልቲ ፍርዲ ሰብ እንተ ተፈረድኩ እኳ፡ ግዲ የብለይን። ኣብ ርእሰይ ሓንቲ እኳ ኣይፈልጥን
እየ፡ ዚፈርደኒ ግና ኣምላኽ እዩ እምበር፡ በዚ ኣይጸደቕኩን እሞ ንርእሰይ ባዕለይ ኣይፈርዳን እየ። 5
ስለዚ እቲ ኣብ ጸልማት እተሓብኤ ናብ ብርሃን ዜምጽእ፡ ሓሳባት ልቢ ኸኣ ዚገልጽ ጐይታ ኽሳዕ
ዚመጽእ፡ ቅድሚ ጊዜኡ ሓንቲ እኳ ኣይትፍረዱ። ሽዑ ድማ ነፍሲ ወከፍ ነንእዶኡ ኻብ ኣምላኽ
ኪቕበል እዩ። 6 ኣሕዋተየ፡ ንጥቕሚ እቲ ሓደ፡ ንጕድኣት እቲ ኻልእ ኢልኩም ከይትንፍሑ፡ ክንየው እቲ
ጽሑፍ ከይትሐስቡ፡ ብኣና ምእንቲ ኽትምሃሩ፡ እዚ ብዛዕባኹም ኣብ ርእሰይን ኣብ ኣጵሎስን መሲለዮ
ኣሎኹ። 7 ካብ ካልኦት ዘብለጸካ መን እዩ፧ ዘይተቐበልካዮኸ እንታይ ኣሎካ፧ ተቐቢልካ ኻብ እትኸውን
ግና፡ ስለምንታይ ከም ዘይተቐበልካ ኼንካ እትሕበር፧ 8 ድሮ ጸገብኩም፡ ድሮ ሃብተምኩም፡ ብጃካና
ነገስኩም። ንሕናውን ምሳኻትኩም፡ ምእንቲ ኽንነግስሲ፡ ወሸለ ምነገስኩም። 9 ኣምላኽ ንኣና ሃዋርያት፡
ድሕሪ ኹላቶም ኴንና፡ ከምቶም ሞት እተፈርዶም ከም ዝገበረና፡ ይመስለኒ። ስለዚ ንዓለምን
ንመላእኽትን ንሰብን ትርኢት መስሓቕ ኼንና ኣሎና። 10 ንሕና ስለ ክርስቶስ ዓያሱ ኢና፡ ንስኻትኩም

ግና ብክርስቶስ ጥበበኛታት ኢኹም፡ ንሕና ሕማቓት፡ ንስኻትኩም ግና ሓያላት፡ ንስኻትኩም ክቡራት፡
ንሕና ግና ሕሱራት ኢና። 11 ክሳዕ ሕጂ ንጠምን ንጸምእን ንዓርቕን ንጽፋዕን ኣሎና፡ ማሕደር የብልናን፡
12 ብገዛእ ኣእዳውና እናዓየና ድማ ንጽዕር ኣሎና። እናጸረፉና ንምርቕ፡ እናሰጐጉና ንዕገስ፡ 13 እናተሐሜና
ንምዕድ ኣሎና። ክሳዕ ሕጂ ኸም ጐሓፍ ዓለምን ከም ናይ ኲላቶም ጐዱፍን ኴንና ኣሎና። 14-15
ብክርስቶስ ኣእላፋት መዕበይቲ እኳ እንተ ኣለዉኹም፡ ኣነ ብክርስቶስ የሱስ ብወንጌል ወሊደኩም እየ
እሞ፡ ብዙሓት ኣቦታትሲ የብልኩምን። እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ፡ ከም ፍቁራት ደቀይ ገይረ
ኽምዕደኩም እየ እምበር፡ ከሕፍረኩም ኢለ ኣይኰንኩን። 16 ስለዚ፡ ሰዓብተይ ኩኑ፡ ኢለ እምዕደኩም
ኣሎኹ። 17 በዚ ምኽንያት እዚ ኸኣ ኣብ ኩሉ ስፍራ ፍቕዳ ማሕበር ከመይ ገይረ ኸም ዝምህር፡ መገደይ
ብክርስቶስ የሱስ ምእንቲ ኼዘክረኩም፡ እቲ ብጐይታ ፍቁርን እሙንን ወደይ ጢሞቴዎስ ሰዲደልኩም
ኣሎኹ። 18 ሓያሎ ግና፡ ኣነ ናባኻትኩም ዘይመጽእ መሲልዎም፡ እተነፍሑ ኣለዉ። 19-20 መንግስቲ
ኣምላኽ ብሓይሊ እምበር፡ ብዘረባ ኣይኰነትን ዘላ እሞ፡ ጐይታ እንተ ፈቒዶስ፡ ቀልጢፈ ናባኻትኩም
ክመጽእ እየ፡ ሽው ሓይሊ እቶም ንፉሓት ክፈልጥ እየ እምበር፡ ቃሎም ኣይኰነን። 21 ብበትሪዶ ወይስ
ብፍቕርን ብመንፈስ ለውሃትን ክመጽኩም፧ እንታይ ትደልዩ፧

## ምዕራፍ 5

1 ምንዝርና ብሱሩ፡ ከምኡ ዘመሰለ ምንዝርናስ ኣብቶም ኣህዛብ እኳ ዜልቦ፡ ማለት፡ ሓደ ኻባኻትኩም
ነታ ሰበይቲ ኣቦኡ ኸም ዘእተወ፡ ይውረየኩም ኣሎ። 2 ምስናይዚ ኸኣ ተነፊሕኩም ኣሎኹም እሞ፡ እቲ
እዚ ግብርዚ ዝገበረ ኻብ ማእከልኩም ምእንቲ ኺርሓቕ ኢልኩም፡ ከቶ ኣይጕሄኹምን። 3-5 ኣነ ግና
ብስጋይ ርሑቕ ክነሰይ፡ ብመንፈሰይ ምሳኻትኩም እየ፡ ንስኻትኩምን መንፈሰይን ብስም ጐይታና የሱስ
ተኣኪብና ኸሎና፡ ብሓይሊ ጐይታና የሱስ እዚ ኸምዚ ዝገበረ፡ መንፈሱ በታ መዓልቲ ጐይታና የሱስ
ምእንቲ ኺድሕንሲ፡ ንጥፍኣት ስጋኡ ንሰይጣን ኪውሃብ፡ ከም ምሳኻትኩም ኰይነ ድሮ ፈሪደ ኣሎኹ።
6 ሓበንኩም ጽቡቕ ኣይኰነን። ቅሩብ ማይ ብሑቕ ንብዘሎ እቲ ብሑቕ ከም ዜብኩዖ ኣይትፈልጡን
ኢኹም፧ 7 ገንሸል ፋስጋና፡ ማለት ክርስቶስ፡ ተሰዊኡ እዩ እሞ፡ ከምቲ ዘይምጁጻት ዝኾንኩም፡ ሓድሽ
ብሑቕ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ ነቲ ኣረጊት ማይ ብሑቕ ኣጽሪኹም ኣውጽእዎ። 8 ስለዚ ብናይ ገርህነትን
ሓቅን ብዘይመጸጸ እንጌራ በዓል ንብዕል እምበር፡ በቲ ኣረጊት ማይ ብሑቕ ወይስ ብማይ ብሑቕ
እከይን ሕሰምን ኣይኰነን። 9 ምስ ኣመንዝራታት ኣይትጸምበሩ ኢለ ኣብታ ደብዳበይ ጽሒፈልኩም
ኣሎኹ። 10 ግናኸ ምስ ኣመንዝራታት እዛ ዓለም እዚኣ ወይስ ምስ ስሱዓትን ዘረፍትን ወይስ ምስ
መምለኽቲ ጣኦት ኢለ ግዳ ኣይኰንኩን ዝጸሓፍኩ፡ እንተ ዘይኰነስ ካብዛ ዓለም እዚኣ ኽትወጹ
ምተገብኣኩም ነይሩ። 11 ሕጂ ግና ምስ ሓደ ሓው ዚብሃል እሞ ኣመንዝራ፡ ወይስ ስሱዕ፡ ወይስ
መምለኽ ጣኦት፡ ወይስ ተጻራፊ፡ ወይስ ሰካር፡ ወይስ ዘራፊ እንተ ኾይኑ፡ ምስኡ ኸይትጽምበሩ፡ ምስ
እዚ ኸምዚ ዝበለ ከቶ ኸይትበልዑ፡ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ። 12 ነቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ምፍራዳይሲ
እንታይ ገዲሱኒ እዩ፧ ነቶም ኣብ ውሽጢ ዘለዉ እትፈርዱ ግዳ ንስኻትኩምዶ ኣይኰንኩምን፧ 13 ነቶም
ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ግና ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ። ነቲ እኩይ ካባኻትኩም ኣውጽእዎ።

## ምዕራፍ 6

1 ሓደ ኻባኻትኩም ምስ ብጻዩ ነገር እንተ ኣለዎ፡ ኣብ ቅድሚ እቶም ቅዱሳን ዘይኮነስ፡ ኣብ ቅድሚ
እቶም ዓመጽቲዶ ኺፋራረድ ይደፍር እዩ፧ 2 ወይስ እቶም ቅዱሳን ንዓለም ከም ዚፈርድዋዶ
ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ዓለም ብኣኻትኩም ካብ እትፍረድ ደኣ፡ ነቲ ናእሽቱ ነገር ፈረዲ ንምዃንዶ
ኣይትበቕዑን ኢኹም፧ 3 ንመላእኽቲ ኸም እንፈርዶምዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ከመይ ግዳ ነቲ ነገር እዛ
ዓለም እዚኣ ዘይንፈርዶ፧ 4 እምብኣርከ ንነገር እዛ ዓለም እዚኣ ዚፍረድ እንተ ኣሎኩም፡ ነቶም ንዑቓት
ኣብ ማሕበርዶ ፈረዲ ትገብርዎም ኢኹም፧ 5-6 ምእንቲ ኽሕፍረኩም እየ እዚ ዝብል ዘሎኹ፡ ሓው ምስ
ሓው ይፋረድ ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ኣብ ቅድሚ እቶም ዘይኣምኑ፡ ከምዚዶ ኣብ መንጎ እቶም ኣሕዋት ኪፈርድ
ዚኽእል ለባም ሓደ እኳ የብልኩምን፧ 7 ብርግጽ ኣብ ንሓድሕድኩም መፋራረዲ ምህላውኩም ብሱሩ
ጕድለትኩም እዩ። ከመይ ግዳ ዘይትዕመጹ፧ ከመይከ ዘይትግፍዑ፧ 8 ምሓልፎ ንስኻትኩም ትዕምጹን
ትገፍዑን ኣሎኹም፡ እዚ ኸኣ ነቶም ኣሕዋት። 9 ዓመጽቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም ዘይወርስዎዶ
ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ኣይትስሐቱ፡ ኣመንዝራታት፡ ወይ መምለኽቲ ጣኦት፡ ዘመውቲ፡ ወይ
ሕንቁቓት፡ ወይ ግብሪ ሶዶም ዚገብሩ፡ 10 ሰረቕቲ፡ ወይ ስሱዓት፡ ወይ ሰኻራት፡ ወይ ተጻረፍቲ፡ ወይ
ዘረፍቲ ንመንግስቲ ኣምላኽ ኣይኪወርስዋን እዮም። 11 ገሌኹም ከኣ ከማታቶም ኔርኩም፡ ግናኸ ብስም
ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ብመንፈስ ኣምላኽን ተሐጺብኩምን ተቐዲስኩምን ጸዲቕኩምን ኢኹም። 12
ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ግናኸ ኩሉ ኣይጠቅምን እዩ። ኩሉ ተፈቒዱለይ ኣሎ፡ ኣነ ግና ሓደ ነገር እኳ
ኺመልከኒ ኣይሐድጎን እየ። 13 ብልዒ ንኸብዲ፡ ከብዲ ኸኣ ንብልዒ እዩ፡ ኣምላኽ ግና ነዝን ነትን
ኬጥፍኦም እዩ። ስጋ ንጐይታ፡ ጐይታውን ንስጋ እዩ እምበር፡ ስጋስ ንምንዝርና ኣይኮነን። 14 ኣምላኽ
ድማ ከምቲ ንጐይታና ዘተንስኦ፡ ንኣናውን ብሓይሉ ኼተንስኣና እዩ። 15 እቲ ስጋኹም ኣካል ክርስቶስ
ምዃኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እምብኣርስኸ ንኣካል ክርስቶስ ወሲደዶ ኣካል ኣመንዝራ ኽገብሮ እየ፧
ያእ ኣይፋለይን። 16 እቶም ክልተ ሓደ ስጋ ኪኾኑ እዮም፡ ብሁል እዩ እሞ፡ ምስ ኣመንዝራ ዝለገበ ምስኣ
ሓደ ስጋ ምዃኑዶ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ 17 እቲ ምስ ጐይታ ዚለግብ ግና ምስኡ ሓደ መንፈስ እዩ። 18
ካብ ምንዝርና ህደሙ። ሰብ ዚገብሮ ዘበለ ሓጢኣት ካብ ስጋኡ ብወጻኢ እዩ፡ ዚምንዝር ግና ኣብ ገዛእ
ስጋኡ እዩ ሓጢኣት ዚገብር። 19-20 ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ስጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ
ኣባኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእስኹምውን ከም
ዘይኮንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ።

## ምዕራፍ 7

1 ብዛዕባ እቲ ዝጸሐፍኩምለይ ግና ከምዚ እዩ፡ ሰብኣይ ኣብ ሰበይቲ እንተ ዘይቀረበ ጽቡቕ እዩ። 2 ስለ
ኻብ ምንዝርና ምርሓቕ ግና ነፍሲ ወከፍ ሰብኣይ ገዛእ ሰበይቱ ትሃልዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰበይቲውን ገዛእ
ሰብኣያ ይሃልዋ። 3 ሰብኣይ ንሰበይቱ ዚግባኣ ይግበረላ፡ ከምኡውን ሰበይቲ ንሰብኣያ ትግበረሉ። 4
ሰበይቲ፡ ሰብኣያ እምበር፡ ኣብ ገዛእ ስጋኣ ኣይትመልኽን እያ፡ ከምኡ ኸኣ ሰብኣይ፡ ሰበይቱ ደኣ እምበር፡
ኣብ ገዛእ ስጋኡ ኣይመልኽን እዩ። 5 ንጸሎት ጊዜ ምእንቲ ኽትረኽቡ፡ ንጊዜኡ ብምስምማዕ ክልቴኹም
እምበር፡ እቲ ሓደ ኻብቲ ሓደ ኣይፈለ። ብምኽንያት እቲ ንነፍስኹም ዘይምምላኽኩም ሰይጣን ምእንቲ
ኸይፍትነኩም ከኣ፡ ከም ብሓድሽ ተራኸቡ። 6 እዚ ግና ከም ፍቓድ እብል ኣሎኹ እምበር፡ ትእዛዝ
ኣይኮነን። 7 ኩሉ ሰብ ከምዚ ኸማይ ኪኸውን ምፈቶኹ ነይረ፡ ግናኸ እቲ ሓደ ኸምዚ እቲ ሓደውን
ከምቲ ነፍሲ ወከፍ ካብ ኣምላኽ ናይ ጸጋ ወውህበቱ ኣለዎ። 8 ንዘይተመርዓዉን ንሓያማትን ግና፡ ከምዚ

ኽማይ እንተ ነበሩ፡ ጽቡቕ እዩ፡ እብል ኣሎኹ። [9] ነፍሶም ኪመልኩ እንተ ዘይተኻእሎም ግና፡ ብፍትወት ካብ ምንዳድሲ ምምርዓው ይሐይሽ እሞ፡ ይመርዓዉ። [10-11] ነቶም እተመርዓዉ ግና፡ ዚእዝዝ ዘሎ ጐይታ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን፡ እታ ሰበይቲ ኻብ ሰብኣያ ኣይትፈታሕ፡እንተ ተፈትሔት ከኣ፡ በኪ ትንበር ወይስ ምስ ሰብኣያ ትተዓረቕ፡ሰብኣይውን ሰበይቱ ኣይፍታሕ፡ ኢለ እእዝዝ ኣሎኹ። [12-14] ነቶም ካልኦት ድማ ኣነ እብል ኣሎኹ፡ ጐይታ ኣይኰነን፡ እቲ ዘይኣማኒ ሰብኣይ በታ ሰበይቱ ተቐዲሱ እዩ፡ እታ ዘይኣማኒት ሰበይቲውን በቲ ሓው ተቐዲሳ እያ እሞ፡ ከምኡ እንተ ዘይከውንሲ፡ ውሉድኩም ርኹሳት ምኾኑ ነይሮም፡ ሕጂ ግና ቅዱሳን እዮም። ሓደ ሓው ዘይኣማኒት ሰበይቲ እንተ ኣላቶ፡ ንሳ ድማ ምስኡ ኽትነብር እንተ ፈተወት፡ ኣይፍትሓያ፡ ሰበይቲውን ዘይኣማኒ ሰብኣይ እንተ ኣለዋ፡ ንሱ ኸኣ ምስኣ ኺነብር እንተ ፈተወ፡ ነቲ ሰብኣያ ኣይትፍትሓዮ። [15-16] ኣቲ ሰበይቲ፡ ንሰብኣይኪ እንተ ኣድሐንክዮ፡ እንታይ ትፈልጢ፧ ወይስ ኣታ ሰብኣይ፡ ንሰበይትኻ እንተ ኣድሐንካያ፡ እንታይ ትፈልጥ፧ እቲ ዘይኣማኒ እንተ ተፈልየ ግና፡ ይፈለ። ሓው ወይስ ሓብቲ በዚ ኸምዚ ዘመሰለ ኣብ ትሕቲ ባርነት ኣይኰኑን ዘለዉ፡ ኣምላኽ ግና ብሰላም ክንነብር ጸዊዑና ኣሎ። [17] ብዝተረፈስ፡ ነፍሲ ወከፍ ከምቲ እግዚኣብሄር ዝዓደሎ፡ ነፍሲ ወከፍውን ከምቲ ኣምላኽ ዝጸውዖ ኾይኑ ይመላለስ፡ ንኹላተን ማሕበራት ከምኡ እየ ዝሰርዕ ዘሎኹ። [18] ግዙር ከነሱ እተጸውዔዶ ኣሎ፧ ዘይግዙር ምኻኑ ኣይድለ። ዘይግዙር ከንሱ እተጸውዔኸ ኣሎዶ፧ ኣይገዘር። [19] ምሕላው ትእዛዛት ኣምላኽ እዩ ዚጠቅም እምበር፡ ግዝረት ፍረ የብሉን፡ ዘይግዝረትውን ፍረ የብሉን። [20] ነፍሲ ወከፍ በቲ እተጸዋዓሉ ጽውዓ ይንበር። [21] ባርያ ኽነስኻ ዲኻ እተጸዋዕካ፧ ኣይትጕሄ። ሓራ ኽትወጽእ እንተ ኾነልካ ግና፡ ከምኡ ግበር። [22] እቲ ባርያ ኽነሱ እግዚኣብሄር ዝጸውዖ፡ ናይ እግዚኣብሄር ውጹእ ሓራ እዩ። ከምኡውን እቲ ሓራ ኽነሱ እተጸውዔ፡ ባርያ ክርስቶስ እዩ። [23] ብዋጋ ተዓዲግኩም ኢኹም፡ ባሮት ሰብ ኣይትኹኑ። [24] ኣሕዋተየ፡ ነፍሲ ወከፍ በቲ እተጸውዖ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብእኡ ይንበር። [25] ብናይ ደናግል ግና፡ እሙን ክኸውን ካብ እግዚኣብሄር ምሕረት ከም እተቐበልኩ፡ ሓሳባይ እብል ኣሎኹ እምበር፡ ካብ እግዚኣብሄር ትእዛዝ የብለይን። [26] እምብኣርሲ ንሰብ ብምኽንያት እቲ ሎሚ ዘሎ ጭንቀት ከምታ ዘለዋ ኾይኑ ኺነብር ጽቡቕ ከም ዝኾነ፡ ይመስለኒ። [27] ብሰበይትኻዶ እሱር ኢኻ፧ ፍትሕ ኣይትድለ። ብሰበይትኻዶ ኣይተኣሰርካን፧ ሰበይቲ ኣይትድለ። [28] ግናኸ እንተ ተመርዖኻ፡ ሓጢኣት ኣይገበርካን፡ ድንግልውን እንተ ተመርዓወት፡ ሓጢኣት ኣይገበረትን። እዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ ግና ብስጋ መከራ ይረኽቡ እዮም እሞ፡ ኣነ እንሕፈኩም ኣሎኹ። [29] ኣሕዋተየ፡ እዚ ግና እነግር ኣሎኹ፡ እቲ ዘመን ሓጺር እዩ፡ እቶም ኣንስቲ ዘለዎኦም ድሕርዚ ኸም ዜብሎም ይኹኑ። [30] እቶም ዚበኽዩ ኸም ዘይበኽዩ፡ እቶም ዚሕጐሱ ኸኣ ከም ዘይሕጐሱ፡ እቶም ዚዕድጉውን ከም ዘየጥረዩ ይኹኑ። [31] ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ ሓላፊ እዩ እሞ፡ እቶም በዛ ዓለም እዚኣ ዚጥቀሙ ኸም ዘይተጠቕሙ ይኹኑ። [32] ኣነ ግና ብዘይ ሓልዮ ኽትኰኑ እየ ዝፈቱ። እቲ ዘይተመርዓወ ኸመይ ገይሩ ንጐይታ ኸም ዜሐጒሶ ብናይ ጐይታ እዩ ዚሐሊ። [33] እቲ እተመርዓወ ግና ንሰበይቱ ኸመይ ገይሩ ኸም ዜሐጒሳ ብናይ እዛ ዓለም እዚኣ እዩ ዚሐሊ። [34] ናይ ምርዕውቲ ሰበይትን ናይ ድንግልን ድማ በበይኑ እዩ። እታ ዘይተመርዓወት፡ ስጋኣን መንፈሳን ምእንቲ ኪቕደስ ኢላ፡ ብናይ ጐይታ እያ እትሐሊ፡ እታ ምርዕውቲ ግና፡ ከመይ ገይራ ንሰብኣያ ኸም እተሐጒሶ፡ ብናይ እዛ ዓለም እዚኣ እያ እትሐሊ። [35] ብተገብኤ ነገርን ብጽንዓትን ከይተናቓነቕኩም ብጐይታ ኽትጸንዑ እምበር፡ መፈንጠራ ምእንቲ ኽገብረልኩም ኣይኰንኩን፡ እዚ ንረብሓ ርእስኹም እዩ ዝብሎ ዘሎኹ። [36] ግናኸ ሓደ በታ ድንግል ጓሉ ዜሕፍር ዘለዎ እንተ መሰሎ፡ ኣዝያ ኸኣ ብጽሕቲ እንተ ኾነት፡ ከምዚ ኪኸውን ድማ ዚግባእ እንተ ኾይኑ፡ ዝደለየ ይግበር፡ ሓጢኣት የብሉን፡ ንሰብኣይ ይሃባ። [37]

ግናኸ እቲ ብልቡ ወዲእዎ ዝጸንዔ፡ ግዲ ዘይኰኖ፡ ኣብ ገዛእ ፍቓዱ ምልኪ ዘለዎ፡ እታ ጓሉ
ብድንግልናኣ ኽትነብር ብልቡ ዝቘረጸ፡ ጽቡቕ ይገብር። [38] እምብኣርሲ እቲ ንጓሉ ንሰብኣይ ዚህብ ጽቡቕ
ይገብር፡ እቲ ዘይህብ ከኣ ዚሐይሽ ይገብር። [39] ሰበይቲ እቲ ሰብኣይ ብህይወቱ ኽሳዕ ዘሎ ዘመን፡ እስርቲ
እያ። ሰብኣይ እንተ ሞተ ግና፡ ብእግዚኣብሄር ጥራይ ደኣ ይኹን እምበር፡ ኣብ ዝደለየቶ ኽትምርዖ ሓራ
እያ። [40] ከም ሓሳባይ ግና፡ ከምቲ ዘላቶ ኾይና እንተ ትነብር፡ ኣዝያ ብጽእቲ ምኾነት፡ ኣነውን መንፈስ
ኣምላኽ ከም ዘሎኒ ይመስለኒ ኣሎ።

# ምዕራፍ 8

[1] ብዛዕባ ንጣኦታት እተሰውኤ ግና ኵላትና ፍልጠት ከም ዘሎና፡ ንፈልጥ ኢና። ፍልጠት ይነፍሕ፡
ፍቕሪ ግና ይሃንጽ። [2] ሓደ እኳ ገለ ኽም ዚፈልጥ ዚመስሎ እንተሎ፡ ነቲ ዚፈልጦ ገና ኽምቲ ዝግብኦ
ገይሩ ኣይፈልጦን እዩ። [3] ንኣምላኽ ዜፍቅሮ እንተሎ ግና፡ ንሱ ብእኡ ፍሉጥ እዩ። [4] ደጊም ብዛዕባ እቲ
ንጣኦታት እተሰውኤ ምብላዕ፡ ጣኦት ኣብ ዓለም ግዛዕ ከም ዘይኰነን ብዘይ እቲ ሓደ በይኑ ኸኣ ካልእ
ኣምላኽ ከም ዜልቦን፡ ንፈልጥ ኢና። [5] ኣብ ሰማይ ወይስ ኣብ ምድሪ ኣማልኽቲ ዚብሃሉ
እንተለዉስ፡ከምቲ ብዙሓት ኣማልኽትን ብዙሓት ጐይተትን ዘለዉ፡ [6] ንኣናስ ኵሉ ኻብኡ ዚኸውን
ንሕናውን ንእኡ እንኸውን ሓደ ኣምላኽ ጥራይ፡ ኣቦ፡ ኣሎና፡ ኵሉ ብእኡ ዚኸውን ንሕና ኸኣ ብእኡ
እንኸውን ሓደ ጐይታውን፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ኣሎና። [7] እዚ ፍልጠት እዚ ግና ኣብ ኵሉ ሰብ ኣይርከብን
እዩ። ሓያሎ ነቲ ጣኦት ክሳዕ ሎሚ ልማድ ገይሮምዎ፡ ንጣኦት ከም እተሰውኤ ገይሮም እዮም ዚበልዑ
ዘለዉ እሞ፡ ሕሊናኦም ድኹም ኰይኑስ ይረክስ። [8] ብልዒ ግና ኣብ ኣምላኽ ኣየብጽሓናን እዩ፡ እንተ
በላዕና፡ ኣይንውስኽ፡ እንተ ዘይበላዕናውን ኣይንንክን ኢና። [9] ግናኸ እቲ ሓርነትኩምሲ ነቶም ድኹማት
መዓንቀፊ ኸይኰኖም፡ ተጠንቀቑ። [10] ሓደ ሰብ ንኣኻ፡ ፍልጠት ዘሎካ፡ ኣብ ቤት ጣኦት ተቐሚጥካ እንተ
ረኣየካ፡ እቲ ድኹም ነቲ ንጣኦት እተሰውኤ ንምብላዕዶ ሕልናኡ ኣይኪደፍርን እዩ፧ [11] ከምዚ እቲ
ምእንታኡ ክርስቶስ ዝሞተሉ ድኹም ሓው ብሰሪ ፍልጠትካ ይጠፍእ ኣሎ። [12] ከምዚኸስ ነቶም ኣሕዋት
እናበደልኩም፡ ነቲ ድኹም ሕሊናኦምውን እናኣቘሰልኩም፡ ንክርስቶስ ትብድልዎ ኣሎኹም። [13] ስለዚ
ኸኣ እቲ ብልዒ ንሓወይ ዜዐንቅፎ እንተ ኾይኑስ፡ ንሓወይ ምእንቲ ኸየዐንቅፎ፡ ንሓዋሩ ከቶ ስጋ
ኣይክበልዕን እየ።

# ምዕራፍ 9

[1] ኣይሓራን ድየ፧ ኣይሃዋርያን ድየ፧ ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣይርኤኽዎን ድየ፧ ንስኻትኩምሲ
ብጐይታዶ ኣይዕዮይን ኢኹም፧ [2] ማሕተም ሃዋርያነተይ ብጐይታ ንስኻትኩም ኢኹም እሞ፡ ንኻልኦት
እኳ ሃዋርያ እንተ ዘይኰንኩ፡ ንኣኻትኩምሲ ሃዋርያኹም እየ። [3] ምምጽራየይ ነቶም ዚምርምሩኒ እዚ
እዩ፡ [4] ክንበልዕን ክንሰትንዶ መሰል የብልናን ኢና፧ [5] ከምቶም ካልኦት ሃዋርያትን ኣሕዋት ጐይታናን
ኬፋን ዚገብርዎ፡ ብእምነት ሓብትና ዝኾነት ሰበይቲ ምሳና ኽነዝውርዶ መሰል የብልናን ኢና፧ [6] ወይስ
ኣነን በርናባስን ጥራይ ዲና ዕዮ ኽንሐድግ መሰል ዜብልና፧ [7] ኣየናይ ዓቀይታይ እዩ ገዛእ ገንዘቡ
እናተመገበ ዚኽተል፧ ወይኒ ተኺሉስ ፍሪኡ ዘይበልዕከ መን እዩ፧ ወይስ እናጓሰየ ኻብተን ዚጓስየን
መጓሰ ጸባ ዘይሰቲ መን እዩ፧ [8] እዚ ኸም ኣዛራርባ ሰብዶ እየ ዝዛረብ ዘሎኹ፧ እቲ ሕጊውንዶ ኸምኡ

ኣይብልን እዩ፧ [9] ኣፍ እቲ ዜኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር፡ ዚብል ኣብ ሕጊ ሙሴ ጽሑፍ ኣሎ እሞ፡
ኣምላኽዶ ብዛዕባ ኣብዑር ሓልዩ እዩ፧ [10] ወይስ ብሱሩ ምእንታናዶ ኣይኮነን ዚብሎ ዘሎ፧ እቲ ዚሐርስ
ብተስፋ ኺሐርስ፡ እቲ ዜኽይድ ከኣ ግዲኡ ኺረክብ ብተስፋ ኬኽይድ ዚግብኦ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታና
እዩ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ። [11] ንሕና ንኣኻትኩም እቲ ናይ መንፈስ ካብ እንዘርኣልኩምከ፡ ነቲ ናይ ስጋኹም
እንተ ዓጸድናዮዶ በዚሑና እዩ፧ [12] ካልኦት ካብዚ መሰል እዚ ኣባኻትኩም ተማቐልቲ ኻብ ዚኾኑስ፡
ንሕናዶ ግዳ ዚዓዝዝ ኣየሎናን፧ ንሕና ግና ንወንጌል ክርስቶስ መዕገቲ ምእንቲ ኸይንገብርሲ፡ ንኹሉ
ንዕገስ እምበር፡ ነዚ መሰል እዚ ኣይወሰድናዮን፡ [13] እቶም ቅዱስ ኣገልግሎት ዜገልግሉ ኻብቲ ናይ ቤተ
መቕደስ ከም ዚምገቡ፡ እቶም ኣብ መሰውኢ ዜገልግሉውን ምስቲ መሰውኢ ኸም ዚካፈሉዶ፡
ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ [14] ከምኡ ድማ ጐይታ ነቶም ወንጌል ዚሰብኩ ብወንጌል ኪምገቡ ሰሪዑሎም
ኣሎ። [15] ኣነ ግና ካብ ከምዚ ዘመሰለ ሓንቲ እኳ ኣይወሰድኩን፡ ከምኡ ምእንቲ ኪኾነለይ ኢለውን
ኣይኮንኩን እዚ ዝጸሐፍኩ። ነቲ ትምክሕተይ ሓደ ኸንቱ ኻብ ዚገብሮስ ሙማት ምሔሸኒ ነይሩ። [16] ኣነ
ወንጌል እንተ ሰበኽኩ፡ ብግዲ በጺሑኒ እዩ እሞ፡ ዝምክሓሉ የብለይን። ወንጌል እንተ ዘይሰበኽኩ ግና
ወይለይ። [17] እዚ ፈትየ እንተ ገበርክዎስ፡ ዓስቢ ኣሎኒ። ከይፈቶኹ እንተ ገበርክዎ ግና፡ እዚ መጋቢነት
እዚ ብዝኾነ ይኹን ሕድሪ ተውሂቡኒ እዩ። [18] እምብኣርሲ ዓስበይ ደኣ እንታይ እዩ፧ ወንጌል
እናሰበኽኩስ፡ እቲ ብወንጌል ዘሎኒ መሰል ከይወሰድኩ፡ ወንጌል ብኽምኡ እንተ ነገርኩ እዩ። [19] ካብ
ኩሉ ሓራ ኽነሰይ፡ ኣነ ብዙሓት ምእንቲ ኽረብሕ፡ ንርእሰይ ባርያ ኹላቶም ገበርክዋ። [20] እቶም ኣይሁድ
ምእንቲ ኽረብሕ፡ ምስ ኣይሁድ ከም ኣይሁዳዊ ኰንኩ። እቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ምእንቲ ኽረብሕ
ከኣ፡ ምስቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ ባዕለይ እኳ ትሕቲ ሕጊ ዘይኮንኩ ኽነሰይ፡ ከምቲ ትሕቲ ሕጊ ዘሎ
ኰንኩ። [21] እቶም ሕጊ ዜብሎም ብሕጊ ክርስቶስ እምበር፡ ብዘይ ሕጊ ኣምላኽ ዘይኮንኩ ኽነሰይ፡
ከምቶም ሕጊ ዜብሎም ኰንኩ። [22] ኣነ እቶም ድኹማት ምእንቲ ኽረብሕ ድማ። ምስቶም ድኹማት
ድኹም ኰንኩ። ብኹሉ መገዲ ንገሊኦም ምእንቲ ኸድሕን፡ ንኹላቶም ኩሉ ኾንኩ። [23] እዚ ኹሉ
ምእንቲ ወንጌል፡ ንርእሰይውን ካብኡ ኽካፈል ኢለ እየ ዝገብሮ ዘሎኹ። [24] ኣብቲ ስፍራ ቕድድም
ዚቃዳደሙኽ ኹላቶም ከም ዚጐዩ፡ ነታ ዓስቢ ዓወት ግና ሓደ ኸም ዚወስዳዶ፡ ኣይትፈልጡን
ኢኹም፧ ንስኻትኩም ምእንቲ ኽትረኽብዋ፡ ከምኡ ጒየዩ። [25] እቲ ዚቃለስ ዘበለ ብኹሉ ነገር መጢኑ
ነፍሱ ይገትእ እዩ፡ እዚኣቶም ነቲ ሓላፊ ኣኽሊል ምእንቲ ኪቕበሉ እዮም፡ ንሕና ግና ነቲ ዘይሐልፍ። [26]
ስለዚ ኣነ እጐዩ ኣሎኹ፡ ግናኸ ከምቲ ንዘይፍሉጥ ዚጐዩ ኣይኮንኩን፡ እምከት ኣሎኹ፡ ከምቲ ንንፋስ
ዚወቅዕ ግና ኣይኮንኩን። [27] ንኻልኦት እናሰበኽኩ፡ ንርእሰይ ድርቡይ ምእንቲ ኸይከውን፡ ንስጋይ
ኤሰቅዮን ኤግዝኦን ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 10

[1] ኣሕዋተየ፡ ኵላቶም ኣቦታትና ትሕቲ ደበና ኸም ዝነበሩ፡ ኲላቶምውን ባሕሪ ኸም እተሳገሩ፡
ዘይትፈልጡ ኽትኰኑ ኣይፈቱን እየ። [2] ኲላቶም ድማ ብደበናን ብባሕርን ናብ ሙሴ ተጠምቁ። [3]
ኲላቶምውን እቲ ሓደ መንፈሳዊ ምግቢ በልዑ፡ [4] ኲላቶምውን እቲ ሓደ መንፈሳዊ መስተ ሰተዩ። ካብቲ
ዚስዕቦም ዝነበረ መንፈሳዊ ኸውሒ ሰትዮም እዮም እሞ፡ እቲ ኸውሒ እቲ ኸኣ ክርስቶስ እዩ። [5]
ካባታቶም እቶም ዚበዝሑ ግና ንኣምላኽ ባህ ኣየበልዎን፡ ስለዚ ኣብ በረኻ ተወድኡ። [6] እዚ ኸኣ፡ ከምቲ
ንሳቶም እተመነይዎ ንሕና ነቲ እከይ ምእንቲ ኸይንምነ፡ መለበሚ ኰነልና። [7] እምብኣርከ፡ እቲ ህዝቢ

ኺበልዕን ኪሰትን ተቐመጠ ኺሰሓቕውን ተንስኤ፡ ዚብል ከም እተጻሕፈ፡ ከምቶም ገሊኣቶም
መምለኽቲ ጣኦት ኣይትኹኑ። [8] ከምቲ ገሊኣቶም ዝመንዘሩ እሞ ብሓንቲ መዓልቲ ዕስራን ሰለስተን ሽሕ
ዝወደቑ፡ ኣይንመንዝር። [9] ከምቲ ገሊኦቶም ዝፈተንዎ እሞ በትማን ዝጠፍኡ፡ ንክርስቶስ ኣይንፈትኖ። [10]
ከምቲ ገሊኣቶም ዘዕዘምዘሙ እሞ እቲ መጥፍኢ ዘጥፍኦም፡ ኣይነዕዘምዝም። [11] እዚ ኹሉ መለበሚ
ኪኸውን እዩ ዝበጽሖም፡ ንኣና እቲ መወዳእታ ዘመናት ንዘርከበናውን ንተግሳጽ ኪኹነና እዩ
እተጻሕፈ። [12] ስለዚ እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዚመስሎ፡ ከይወድቕ ይጠንቀቕ። [13] ሰብ ኪጸሮ ዘይኽእል ፈተና
ኣይበጽሓኩምን ። ኣምላኽ እሙን እዩ እሞ፡ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ መውጽኢ
ገይሩልኩም ኣሎ፡ ካብ ዓቕምኹም ንንየው ክትፍተኑ ኣይሐድገኩምን እዩ። [14] ፍቁራተየ፡ ስለዚ ኻብ
ምምላኽ ጣኦት ህደሙ። [15] ከም ነስተውዓልቲ እየ ዝዛረብ ዘሎኹ፡ ነዚ ዝብሎ ዘሎኹ ባዕላትኩም
ፍረድዎ። [16] እታ ንሕና እንባርኻ ናይ በረኸት ጽዋእ ምስ ደም ክርስቶስ ሕብረት ዘለዋዶ ኣይኰነትን፧
እታ እንቘርሳ እንጌራስ ምስ ስጋ ክርስቶስ ሕብረት ዘለዋዶ ኣይኰነትን፧ [17] ካብ ሓንቲ እንጌራ ተማቒልና
ኢና እሞ፡ ሓንቲ እንጌራ ኻብ እትኸውንሲ፡ ንሕና ብዙሓት ክነስና ሓደ ስጋ ኢና። [18] ንእስራኤል እማ
ብስጋ ጠምቱ፡ እቶም ካብ መስዋእቲ ዚበልዑስ ምስቲ መሰውኢዶ ሕብረት የብሎምን እዮም፧ [19]
እንታይከ እብል ኣሎኹ፧ ንጣኦታት እተሰውኤዶ ገለ ነገር እዩ፧ ወይ ጣኦታዶ ገለ ነገር እዩ፧ [20] ኣይፋሉ፡
ኣህዛብ ዚሰውእዎ ነጋንንቲ እዩ እምበር፡ ንኣምላኽ ኣይኰነን። ምስ ኣጋንንቲ ሕብረት ኪህልወኩም
ኣይፈቱን እየ። [21] ጽዋእ ጐይታን ጽዋእ ኣጋንንትን ክትሰትዩ ኣይከኣለኩምን፡ ካብ መኣዲ ጐይታን ካብ
መኣዲ ኣጋንንትን ክትምቀሉውን ኣይከኣለኩምን እዩ። [22] ወይስ ንጐይታ ምእንቲ ኽነቕንኦ ዲና፧ ካብኡዶ
ንሕና ንበርትዕ፧ [23] ኲሉ ተፈቒዱለይ፡ ኲሉ ግና ኣይጠቅምን እዩ፡ ኲሉ ተፈቒዱለይ፡ ኲሉ ግና
ኣይሃንጽን እዩ። [24] ነፍሲ ወከፍ ንጥቕሚ ብጻዩ ደኣ እምበር፡ ሓደ እኳ ጥቕሚ ርእሱ ኣይድለ። [25-26]
ምድርን እቲ ኣብኣ መሊኡ ዘሎን ናይ እግዚኣብሄር እዩ እሞ፡ ኣብ ዕዳጋ ዚሸየጥ ዘበለ ኹሉ፡ ስለ ሕሊና
ኢልኩም ገለ ኸይመራመርኩም ብልዑ። [26] ካብቶም ዘይኣምኑ ሓደ እንተ ጸውዓኩም እሞ ክትከዱ እንተ
ደሌኹም፡ ስለ ሕሊና ኢልኩም ገለ ኸይመራመርኩም፡ እተቐረበልኩም ዘበለ ኹሉ ብልዑ። [27] ገለ፡
እዝስ ንጣኦታት እተሰውኤ እዩ፡ እንተ በለኩም ግና፡ ምእንቲ እቲ ዝነገረኩምን ምእንቲ ሕሊናን
ኢልኩም ኣይትብልዑ። [28] ማለት፡ ሕሊና ብጻይካ ደኣ እምበር፡ ሕሊና ርእስኻ ኣይበልኩን።
ስለምንታይከ እቲ ሓርነተይ ብሕሊና ኻልእ ዚፍረድ፧ [29] ኣነ ብምስጋና ኻብ ዝምቀሎ ደኣ፡ ስለምንታይ
በቲ ዘመስግነሉ ዝጽረፍ፧ [30] እምብኣርሲ እንተ በላዕኩም፡ ወይስ እንተ ሰቴኹም፡ ወይስ ዝኾነ ይኹን
እንተ ገበርኩም፡ ኲሉ ንኽብሪ ኣምላኽ ግበርዎ። [31] ንኣይሁድ ኰነ ንጽርኣውያን፡ ወይስ ንማሕበር
ኣምላኽ ኰነ መዓንቀፊ ኣይትኹኑ። [32] ምእንቲ ኺድሕኑስ ጥቕሚ ብዙሓት እምበር፡ ጥቕሚ ርእሰይ
ከይደሌኹ፡ ከምኡ ድማ ኣነ ብኹሉ ነገር ንኹሉ ሰብ ኤሐጉስ ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 11

[1] ከምዚ ኣነ ንክርስቶስ ዝመስሎ ዘሎኹ፡ ንስኻትኩም ንኣይ ምሰሉ። [2] ሕጂ ድማ ብኹሉ ስለ
ዝዘከርኩምንን ከምቲ ዝመሃርኩኹም ጌርኩም፡ ነቲ ምህሮ ስለ ዝሐዝኩምዎን እንእደኩም ኣሎኹ። [3]
ግናኸ ርእሲ ሰብኣይ ዘበለ ክርስቶስ፡ ርእሲ ሰበይቲ ኸኣ ሰብኣይ፡ ርእሲ ክርስቶስውን ኣምላኽ ከም
ዝኾነ፡ ክትፈልጡ እፈቱ ኣሎኹ። [4] ሰብኣይ ዘበለ ኹሉ ኺጽሊ ወይስ ትንቢት ኪንበ ኸሎ፡ ርእሱ እንተ
ተጐልበበ፡ ንርእሱ የሕስር። [5] ሰበይቲ ዘበለት ኲላ ግና ክትጽሊ ወይስ ትንቢት ክትንበ ኸላ፡ ርእሳ እንተ

ዘይተጕልበበት፡ እዚኣስ ከም ልጽይቲ እያ እሞ፡ ርእሳ ተሐስር እያ። [6] ሰበይቲ ዘይትጕልበብ እንተ
ኾነት፡ እምብኣርሲ ጸጕራ ትቈረጽ። ግናኸ ንሰበይቲ ምቝራጽ ወይስ ምልጻይ ጸጕራ ዜነውራ ኻብ
ኰነ፡ ትጕልበብ። [7-8] ሰበይቲ ኻብ ሰብኣያ እያ እምበር፡ ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ኣይኰነን እሞ፡ ሰብኣይ
ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ካብ ኰነስ፡ ርእሱ ኺጕልበብ ኣይግብኦን እዩ። ሰበይቲ ግና ክብሪ ሰብኣይ
እያ። [9] ሰበይቲውን እያ ምእንቲ ሰብኣይ እተፈጥረት እምበር፡ ሰብኣይሲ ምእንቲ ሰበይቲ ኣይተፈጥረን።
[10] ስለዚ ኸኣ ምእንቲ እቶም መላእኽቲ ንሰበይቲ ኣብ ርእሳ ምልክት ምልኪ ኺህልዋ ይግባእ እዩ። [11-12]
ከምቲ ሰበይቲ ኻብ ሰብኣይ ዝኾነት፡ ከምኡውን ሰብኣይ ብሰበይቲ እዩ፡ ብጐይታ ግና ሰበይቲ ብዘይ
ሰብኣይ፡ ሰብኣይ ከኣ ብዘይ ሰበይቲ ከቶ ኣይከውንን እዩ፡ ኵሉ ግና ካብ ኣምላኽ እዩ። [13] እስኪ፡
ባዕላትኩም ፍረድዎ፡ ሰበይቲ ኽይተጕልበበት ናብ ኣምላኽ ክትጽሊ ይግባእ እዩ፧ [14] ወይስ ሰብኣይ
ጸጒሩ እንተ ኣንውሔ፡ ሓሳሩ ምዃኑስ እቲ ባህርይ ባዕሉዶ ኣይምህረኩምን እዩ፧ [15] ሰበይቲ ጸጕራ እንተ
ኣንውሔት ግና፡ ጸጕራ ኣብ ክንዲ መጕልበቢ ተውሂብዋ እዩ እሞ፡ ንእኣ ኽብረታ እዩ። [16] ገለ ሰብ ግና
ባእሲ ዚፈቱ እንተ ኾነ፡ ንሕናን እተን ማሕበራት ኣምላኽን ከምዚ ዝበለ ልማድ የብልናን። [17] ግናኸ
እዚ ኽእዝዝ ከሎኹ፡ ምእካብኩም ንዚገድድ እምበር፡ ንዚሓይሽ ስለ ዘይኰነ፡ ኣይንእደኩምን እየ። [18]
ቅድሚ ኹሉ ኸኣ ኣብ ማሕበር ምስ ተኣከብኩም፡ ምፍልላይ ኣብ ማእከልኩም ከም ዘሎ፡ እሰምዕ
ኣሎኹ እሞ፡ ካብኡውን ከፊለ እኣምን እየ። [19] እቶም ቅኑዓትኩም ምእንቲ ኺግለጹስ፡ ኣብ ማእከልኩም
ሻራ ኪኸውን ብግዲ ዜድሊ እዩ። [20-21] ብጊዜ ብልዕኹም ነፍሲ ወከፍኩም ተቓዳዲሙ ድራሩ ይበልዕ፡
እቲ ሓደን ይጠሚ እቲ ሓደን ይሰክር ኣሎ እሞ፡ ከምኡ እቲ ብሓደ ምእካብኩም ንምብላዕ መኣዲ
ጐይታ ኣይኰነን። [22] እትበልዑሉን እትሰትዩሉን ኣባይቲዶ የብልኩምን፧ ወይስ ንማሕበር ኣምላኽ
ንዒቕኩም ዲኹም፡ ነቶም ዜብሎምውን እተሕፍርዎም ዘለኹም ፧ እንታይ እሞ ኽብለኩም፧ በዚዶ
ኽንእደኩም፧ ኣይንእደኩምን እየ። [23] ኣነ ኻብ ጐይታ እተቐበልክዎ እየ እሞ፡ ንኣኻትኩምውን ዝነገርክዎ፡
ጐይታና የሱስ በታ እተታሕዘላ ለይቲ እንጌራ ኣልዓለ፡ [24] ኣመስጊኑ ቈረሰ እሞ፡ ውሰዱ፡ ብልዑ፡ እዚ
ምእንታኹም እተዋህበ ስጋይ እዩ፡ እዚ ንመዘከርታይ ግበርዎ፡ በለ። [25] ከምኡ ኸኣ ድሕሪ ድራር ነታ
ጽዋእ ኣልዓለ እሞ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣ ብደመይ ሓድሽ ኪዳን እያ። ብትሰትይዎ መጠን ንመዘከርታይ
ግበርዎ፡ በለ። [26] ማለት፡ እዛ እንጌራ እዚኣ ብትበልዕዋ፡ እዛ ጽዋእ እዚኣውን ብትሰትይዋ መጠን፡ ክሳዕ
ጐይታ ዚመጽእ፡ ሞቱ ትነግሩ ኢኹም። [27] ስለዚ ኽይተገብኦ እዛ እንጌራ እዚኣ ዚበልዕ ወይስ ጽዋእ
ጐይታ ዚሰቲ፡ ንሱ ኣብ ናይ ጐይታ ስጋን ደምን እዩ ዚዕግብ። [28] ግናኸ ሰብ ንርእሱ ይመርምር፡ ከምኡ
ኸኣ ካብዛ እንጌራ እዚኣ ይብላዕ፡ ካብዛ ጽዋእ እዚኣውን ይስተ። [29] እቲ ዚበልዕን ዚሰትን ንስጋ ጐይታ
እንተ ዘይለለየ፡ ንርእሱ እዩ ፍርዲ ዚበልዕን ዚሰትን። [30] በዚ ምኽንያት እዚ እዩም ኣብ ማእከልኩም
ብዙሓት ድኹማትን ሕሙማትን ዘለዉ፡ ዝደቀሱውን ብዙሓት እዮም። [31] ግናኸ ኣብ ርእስና እንተ
ንፈርድሲ፡ ኣይምተኾነናን ኔርና። [32] ክንፍረድ ከሎና ግና፡ ምስ ዓለም ምእንቲ ኽይንኹነን፡ ብጐይታ
ንቕጻዕ ኣሎና። [33] ስለዚ፡ ኣሕዋተየ፡ ንምብላዕ ክትእከቡ ኸሎኹም፡ ንሓድሕድኩም ደኣ ተጸባበዩ። [34]
ምእካብኩም ንፍርዲ ምእንቲ ኸይከውን፡ ገለ ሰብ እንተ ጠመየ፡ ኣብ ቤቱ ይብላዕ። ነቲ ዝተረፈ ግና፡
ምስ መጻእኩ፡ ክሰርዖ እየ።

## ምዕራፍ 12

[1] ኣሕዋተየ፡ ብዛዕባቲ መንፈሳዊ ውህበት ግና ብዘይ ፍልጠት ክትኰኑ ኣይፈቱን እየ። [2] ኣረማውያን

ከሎኹም፡ ናብቶም ዓባሳት ጣኦታት እናተመራሕኩም ከም እተሰሓብኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም። [3] ስለዚ
ሓደ እኳ ብመንፈስ ኣምላኽ ዚዛረብ፡ የሱስ ርጉም እዩ ኽም ዘይብል፡ መንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እንተ
ዘይኰነ ኸኣ፡ የሱስ ጐይታ እዩ ኺብል ንሓደ እኳ ኽም ዘይኰነሉ፡ ኤፍልጠኩም ኣሎኹ። [4] እምብኣርከ
ውህበት በበይኑ እዩ፡ መንፈስ ግና ሓደ ንሱ እዩ። [5] ኣገልግሎት በበይኑ እዩ፡ ጐይታ ግና ሓደ ንሱ እዩ። [6]
ግብሪ ሓይሊ ድማ በበይኑ እዩ፡ እቲ ኣብ ኲላቶም ኲሉ ዚገብር ኣምላኽ ግና ሓደ ንሱ እዩ። [7] ግናኸ
ንነፍሲ ወከፍ ምግላጽ መንፈስ ንጥቕሚ ይውሃቦ እዩ። [8] ንሓደስ ቃል ጥበብ ብመንፈስ ይውሃቦ እዩ፡ ነቲ
ሓደ ኸኣ ቃል ፍልጠት በቲ ሓደ መንፈስ፡ [9] ንሓደ ግና እምነት በቲ ሓደ መንፈስ፡ ንሓደ ድማ በቲ ሓደ
መንፈስ ናይ ምፍዋስ ውህበት ይውሃቦ፡ [10] ንሓደ ኸኣ ግብሪ ሓይሊ ንምግባር፡ ንሓደ ትንቢት፡ ንሓደ
ምልላይ መናፍስቲ፡ ንሓደ በብዓይነቱ ዘሎ ቛንቋታት፡ ነቲ ሓደ ኸኣ ምትርጓም ቋንቋታት ይውሃቦ። [11]
እዚ ኹሉ ኸኣ ንሱ እቲ ሓደ መንፈስ ከም ዚደልዮ ገይሩ ንነፍሲ ወከፍ ገግዲኡ እናመቐለ እዩ ዚገብሮ።
[12] ከምቲ ስጋ ሓደ ኽነሱስ፡ ብዙሕ ኣካላት ዘለዎ፡ ብዘሎ እቲ ኣካላት ስጋ ኸኣ፡ ብዙሕ ክነሱስ፡ ሓደ ስጋ
ዝኾነ፡ ክርስቶስ ከኣ ከምኡ እዩ። [13] ኣይሁድ ወይስ ጽርኣውያን፡ ባሮት ወይስ ጭዋታት እንተ ኾንና፡
ንሕና ኹላትና ሓደ ስጋ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ብሓደ መንፈስ ተጠሚቕና ኢና እሞ፡ ሓደ መንፈስ
ሰቴና። [14] እቲ ስጋ ኸኣ ብዙሕ እምበር፡ ሓደ ኣካል ኣይኰነን እሞ፡ [15] እግሪ፡ ኢድ ካብ ዘይኰንኩስ፡ ናይ
ስጋ ኣይኰንኩን፡ እንተ በለ፡ በዚዶ ናይ ስጋ ምዃኑ ይተርፎ እዩ፧ [16] እዝኒ ድማ፡ ዓይኒ ኻብ ዘይኰንኩስ፡
ናይ ስጋ ኣይኰንኩን፡ እንተ በለት፡ በዚዶ ናይ ስጋ ምዃና ይተርፍ እዩ፧ [17] ብዘሎ እቲ ስጋ ኹሉ ዓይኒ
እንተ ዚኸውን ደኣ፡ ምስማዕ ኣበይ ምተረኽበ፧ እቲ ስጋ ኹለንትናኡ ምስማዕ እንተ ዚኸውንከ፡
ምሽታት ኣበይ ምተረኸበ፧ [18] ሕጂ ግና ኣምላኽ፡ ንሱ ኸም ዝደለዮ ገይሩ፡ ነቲ ኣካላት ንነፍሲ ወከፉ
ኣብቲ ስጋ ሰርዖ። [19] ኲሉ ኣካላት ሓደ ኣካል ጥራይ እንተ ዚኸውንከ፡ እቲ ስጋ ኣበይ ምሃለወ ፧ [20] ሕጂ
ግና ኣካላት ብዙሕ፡ እቲ ስጋ ግና ሓደ እዩ። [21] ዓይኒ ንኢድ፡ ኣይደልየክን፡ ክትብላ ኣይከኣላን እዩ፡ ወይስ
ርእሲ ድማ ነእጋር፡ ኣይደልየኩምን፡ ክትብሎም ኣይከኣላን እዩ። [22] እቶም ድኹማት ዚመስሉ ኣካላት
ስጋ እባ ግዳ እዮም ኣዝዮም ዚድለዩ። [23] ነቲ ኣብ ስጋ ዘሎ ሕሱር ዚመስለና ኸኣ፡ ብዚበዝሐ ክብሪ
ንኸድኖ፡ ንሓፍረትናውን ኣዚና ብኽብሪ ንኸውሎ። [24-25] እቲ ኽቡር ኣካላትና ግና እዚ ኣየድልዮን እዩ።
ግናኸ እቲ ኣካላት ንሓድሕዱ ሓደ ሓልዮ ኺህልዎ እምበር፡ ኣብቲ ስጋ ምፍልላይ ምእንቲ ኸይከውንሲ፡
ኣምላኽ ነቲ ኽብሪ ዝጐደሎ ኣካል ዚበዝሐ ክብሪ እናሃበ፡ ነቲ ስጋ ኣጋጠሞ። [26] ሓደ ኣካል እንተ
ተሰቀየ፡ ኲሉ ኣካላት ይስቀ፡ ሓደ ኣካል እንተ ኸበረ ኸኣ፡ ኲሉ ኣካላት ሓቢሩ እዩ ዚሕጐስ። [27]
እምብኣርከ ንስኻትኩም ስጋ ክርስቶስ ኢኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም ከኣ በብኽፍሉ ኣካላቱ ኢኹም። [28]
ኣምላኽ ድማ ኣብ ማሕበር ቅድም ሃዋርያ፡ ካልኣይ ነብያት፡ ሳልሳይ መምህራን፡ ደሓር ገበርቲ
ሓይልታት፡ ደሓር ውህበት ምፍዋስ፡ ምርዳእ ድኹማት፡ ምምራሕ፡ በበይኑ ቛንቋታት ሰርዔ። [29]
ኲላቶምዶ ሃዋርያት እዮም፧ ኲላቶምዶ ነብያት እዮም፧ ኲላቶምዶ መምህራን እዮም፧ ኲላቶምዶኸ
ገበርቲ ተኣምራት እዮም፧ [30] ኲላቶምዶ ውህበት ምፍዋስ ኣለዎም፧ ኲላቶምዶ ቛንቋታት ይዛረቡ እዮም፧
ኲላቶምዶኸ ይትርጕሙ እዮም፧ [31] ነተን ዚዓበያ ውህበታት ደኣ ጽዓቱ። ሕጂ ኸኣ ዝበለጸ መገዲ
ኽሕብረኩም እየ።

## ምዕራፍ 13

[1] ብቛንቋታት ሰብን መላእኽትን እንተ ዝዛረብ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ከም ዜድሂ ኣስራዚ ወይስ

ጭልጭል ከም ዚብል ጸናጽል ምኾንኩ። 2 ትንቢት እንተ ዚህልወኒ፡ ኲሉ ምስጢራትን ኲሉ ፍልጠትን
እንተ ዝፈልጥ፡ ኣኽራን ከሳዕ ዘግዕዝ ከኣ ኲሉ እምነት እንተ ዚህልወኒ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ከንቱ
ምኾንኩ ነይረ። 3 ኲሉ ገንዘበይ ከኣ ንድኻታት እንተ ዝዕድል፡ ስጋይውን ንምንዳድ ኣሕሊፈ እንተ
ዝህብ፡ ፍቕሪ ኻብ ዘይትህልወኒ፡ ሓንቲ እኳ ኣይጠቕመንን እዩ። 4 ፍቕሪ ዓቃል እያ፡ ፍቕሪ ለዋህ እያ፡
ፍቕሪ ኣይትቐንእን፡ ፍቕሪ ኣይትጀሃርን ኣይትንፋሕን፡ 5 ኣይተስተሓፍርን፡ ናታ ኣይትደልን፡
ኣይትምረርን፡ ኣይትቐየምን እያ፡ 6 ብሓቂ ትሕጐስ እምበር፡ ብዓመጽ ባህ ኣይብላን። 7 ኲሉ ትጻወር፡
ኲሉ ትኣምን፡ ኲሉ ተስፋ ትገብር፡ ኲሉ ትዕገስ። 8 ፍቕሪ ከቶ ኣይተቋርጽን እያ። ትንቢት እንተሎ ንሱ
ኺሰዓር፡ ምዝራብ ቛንቋታት እንተሎ ንሱ ኺውዳእ፡ ፍልጠት እንተሎውን ንሱ ኺሰዓር እዩ፡ 9 ማለት፡
ሓደ ምቃል ንፈልጥ ኢና እሞ፡ ሓደ ምቃል ከኣ ንንበ። 10 ግናኸ እቲ ምልኣት ምስ መጸ፡ እቲ ምቃል
ኪሰዓር እዩ። 11 ቈልዓ ኸሎኹ፡ ከም ቈልዓ ተዛረብኩ፡ ልቢ ቈልዓ ነበረኒ፡ ከም ቈልዓ ሐሰብኩ። ሰብኣይ
ምስ ኰንኩ ግና፡ እቲ ነገር ቈልዓ ሐደግኩ። 12 ሕጂስ ብመረጽን ዋግዋጎ ንርኢ ኣሎና፡ ሽዑ ግና ገጽ ንገጽ
ክንርኢ ኢና እሞ፡ ሕጂ ምቃል እፈልጥ ኣሎኹ፡ ሽዑ ግና ከምቲ ኣነ እተፈለጥኩ ኽፈልጥ እየ። 13 ሕጂ
ግና እምነት፡ ተስፋ፡ ፍቕሪ፡ እዘን ሰለስተ እዚኣተን ይነብራ፡ ካብዚኣተን እትዓቢ ግና ፍቕሪ እያ።

## ምዕራፍ 14

1 ንፍቕሪ ስዓብዋ፡ ንመንፈሳዊ ውህበት፡ ምናዳ ግና ክትንበዩ ቕንኡ። 2 እቲ ብቛንቋ ዚዛረብ ምስጢራት
ብመንፈስ ይዛረብ ኣሎ፡ ሓደ እኳ ኣየስተውዕሎን እዩ እሞ፡ ንኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ኣይኰነን ዚዛረብ
ዘሎ። 3 እቲ ትንቢት ዚንበ ግና፡ ንሰብ ዚሃንጽን ዚምዕድን ዚጸናንዕን እዩ ዚዛረብ። 4 ቋንቋታት ዚዛረብ
ንርእሱ ይሃንጽ፡ ትንቢት ዚንበ ግና ንማሕበር እዩ ዚሃንጽ። 5 ስለዚ ኹላትኩም ብቛንቋታት ክትዛረቡ፡
ምናዳ ግና ክትንበዩ እፈቱ ኣሎኹ። እታ ማሕበር ምእንቲ ኽትህነጽ፡ ዚትርጕም እንተ ዘይኰነስ፡ ካብቲ
ብቛንቋታት ዚዛረብ እቲ ትንቢት ዚንበ ይዓቢ። 6 ኣሕዋተየ፡ ሕጂ ግና ብቛንቋታት እናተዛረብኩ እንተ
ዝመጻኩም እሞ ብራእይ፡ ወይ ብፍልጠት፡ ወይ ብትንቢት፡ ወይ ብምህሮ ገይረ እንተ
ዘይተዛረብኩኹም፡ እንታይ ክጠቕመኩም እዩ፧ 7-8 እቲ መለኸት ዘይፍለጥ ድምጺ እንተ ኣድሃየኸ፡ መን
እዩ ንወግእ ዚስለፍ፧ እቲ ህይወት ዜብሉ እሞ ድምጺ ዜድሂ ኸም እኒ እምብልታ ወይስ መሰንቆ
ዘመሰለ ፍሉይ ቃናታት እንተ ዘየድሃየ፡ እቲ ብእምብልታ ወይስ ብመሰንቆ ዚቃነ ኸመይ ገይሩ ይፍለጥ፧
9 ከምኡ ኸኣ ንስኻትኩም በቲ ቛንቋታት ዚስትውዓል ጌርኩም እንተ ዘይተዛረብኩምከ፡ ምስ ንፋስ ከም
እትዛረቡ ኢኹም እትኾኑ እሞ፡ እቲ እትብልዎ ኸመይ ኢሉ ኺፍለጥ እዩ፧ 10 ኣብ ዓለም በበይኑ ዝኾነ
ብዙሕ ቋንቋታት ኣሎ፡ ርግጽ ደሃይ ዘይብሉ ግና የልቦን። 11 እምብኣርሲ ኣነ ሓሳብ እቲ ድምጺ ኻብ
ዘይፈልጥ፡ ነቲ ዚዛረብ ከም ባርባር ክኾኖ እየ፡ እቲ ዚዛረብውን ንኣይ ከም ባርባር እዩ ዚኾነኒ። 12
ከምኡ ድማ ንስኻትኩም ንመንፈሳዊ ውህበት እትቐንኡ ኻብ ኰንኩምሲ፡ ንምህናጽ ማሕበር ዕዙዛት
ክትኮኑ ድለዩ። 13-14 ብቛንቋ ዳና እንተ ጸሊኹ፡ መንፈሰይ እዩ ዚጽሊ፡ ኣእምሮይ ግና ብዘይ ፍረ እዩ፡
ስለዚ እቲ ብቛንቋ ዚዛረብ፡ ምትርጓሙ ምእንቲ ኺከኣሎ፡ ይጸሊ። 15 እንታይ ደኣ እዩ፧ ብመንፈስ
ክጽሊ፡ ግናኸ በእምሮይ ድማ ክጽሊ እየ፡ ብመንፈስ ክዝምር፡ ግናኸ በእምሮይውን ክዝምር ኣየ። 16
እንተ ዘይኰነስ ብመንፈስ እንተ ባረኽካ፡ እቲ ኣብ ስፍራ እቲ ዘይተማህረ ተቐሚጡ ዘሎ ነቲ ንስኻ
እትብሎ ኻብ ዘይፈልጦ፡ ከመይ ገይሩ ብምስጋናኻ ኣሜን ኪብል ይከኣሎ፧ 17 ንስኻስ ጽቡቕ ጌርካ
ተመስግን ኣሎኻ፡ እቲ ኻልእ ግና ኣይተሃንጸን። 18 ሓለፋ ኹላትኩም ቋንቋታት እዛረብ እየ እሞ

ንኣምላኽ ኤመስግን ኣሎኹ። 19 ግናኸ ንኻልኦትውን ምእንቲ ኽምህርሲ፡ ኣብ ማሕበር እልፊ ቃል ቛንቋ
ካብ ዝዛረብ ሓሙሽተ ቃላት በእምሮ ክዛረብ እፈቱ ኣሎኹ። 20 ኣሕዋተየ፡ በእምሮ ሰብኡት ኩኑ፡
ብኽፍኣት ደኣ ሕጻናት ኩኑ እምበር፡ ብዛዕባ ኣእምሮስ ቈልዑ ኣይትኹኑ። 21 ኣብ ሕጊ፡ ነዚ ህዝቢ እዚ
ብኻልእ ዝቛንቋኦም ሰባትን ብኽናፍር ጓኖትን ገይረ ኽዛረቦ እየ፡ ምስናይ እዚ እኳ ኣይኪሰምዑን
እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ ዚብል ጽሑፍ ኣሎ። 22 ስለዚ ቛንቋታት ነቶም ዘይኣምኑ ምልክት እዩ
እምበር፡ ነቶም ዚኣምኑ ኣይኰነን። ትንቢት ግና ነቶም ዚኣምኑ ምልክት እዩ እምበር፡ ነቶም ዘይኣምኑ
ኣይኰነን። 23 ደጊም ኩላ እታ ማሕበር ሓቢራ እንተ ተኣከበት፡ ኩላቶም ከኣ ብቛንቋታት እንተ ተዛረቡ
እሞ ዘይምሁራት ወይስ ዘይኣምኑ ሰብ ኣብኡ እንተ ኣተዉ፡ ተጸሊሎምዶ ኣይብሉን እዮም፧ 24 ግናኸ
ኩላቶም እንተ ተነበዩ እሞ ሓደ ዘይኣምን ወይስ ዘይምሁር እንተ ኣተወ፡ ኩላቶም ይገንሕዎ፡ ኩላቶም
ይፈርድዎ እዮም። 25 እቲ ኣብ ልቡ እተሐብኤ ድማ ይግለጽ እሞ ከምኡውን ኣምላኽ ኣብ ማእከልኩም
ከም ዘሎ እናነገረ፡ ብገጹ ተደፊኡ ንኣምላኽ ኪሰግድ እዩ። 26 ኣሕዋተየ፡ እንታይ ደኣ እዩ፧ ክትእከቡ
ኸሎኹም፡ ነፍሲ ወከፍኩም መዝሙር ኣለዎ፡ ምህሮ ኣለዎ፡ ራእይ ኣለዎ፡ ቛንቋ ኣለዎ፡ ትርጉም ኣለዎ፡
ኩሉ ንምህናጽ ይገበር። 27 ብቛንቋ ዚዛረብ እንተሎ፡ ክልተ፡ እንተ በዝሑ ኸኣ ሰለስተ ይኹኑ እሞ
በብተራ ይዛረቡ፡ ሓደ ኸኣ ይተርጕሞ። 28 ተርጓሚ እንተ ዜልቦ ግና፡ እቲ ብቛንቋ ዚዛረብ ኣብታ
ማሕበር ስቕ ይበል፡ ንርእሱን ንኣምላኽን ግና ይዛረብ ደኣ። 29 ነብያት ድማ ክልተ ወይስ ሰለስተ
ኰይኖም ይዛረቡ፡ እቶም ካልኦትውን ይመርምሩ። 30 ካብቶም ተቐሚጦም ዘለዉ ንሓደስ ራእይ እንተ
ተገልጸሉ ግና፡ እቲ ቐዳማይ ስቕ ይበል። 31 ኩላቶም ምእንቲ ኺምሃሩ ኹላቶምውን ኪምዓዱስ፡
ኩላትኩም በብሓደ ኽትንበዩ ይከኣለኩም እዩ። 32-33 ኣምላኽሲ ናይ ሰላም እምበር፡ ናይ ዝርግርግ
ኣምላኽ ኣይኰነን እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ነብያት ነቶም ነብያት ይግዝእዎም እዮም። 34 ከምቲ ኣብ
ኩላተን ማሕበራት ቅዱሳን ዚግበር ዘሎ፡ ኣንስቲ ኣብ ማሕበር ኪዛረባ ኣይተፈቕደለንን እዩ እሞ፡ ስቕ
ይበላ። ከምቲ ሕጊ ዚብሎ ድማ ይገዝኣ። 35 ንሰበይቲ ኣብ ማሕበር ምዝራብ ነውሪ እዩ እሞ፡ ገለ
ኺምሃራ እንተ ደለያ፡ ኣብ ቤት ንሰብኡተን ይሕተታ። 36 ወይስ ቃል ኣምላኽዶ ኻባኻትኩም እዩ ዝወጸ፧
ወይስ ኣባኻትኩም ጥራይ ድዩ ዝበጽሔ፧ 37 ሓደ ንሱ ንርእሱ ነብዩ ወይስ መንፈሳዊ ኽም ዝኾነ እንተ
መሰሎ፡ እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ ናይ እግዚኣብሄር ትእዛዛት ምዃኑ ይፍለጥ። 38 እቲ ኺፈልጦ
ዘይደሊ ግና፡ ኣይፍለጦ። 39 ኣሕዋተየ፡ ስለዚ ኽትንበዩ ሃረር በሉ፡ ብቛንቋታት ምዝራብ ድማ
ኣይትኽልከሉ። 40 ግናኸ ኩሉ ብስርዓትን ብጋባብን ይኹን።

## ምዕራፍ 15

1-2 ኣሕዋተየ፡ ንኸንቱ ኣሚንኩም እንተ ዘይኰንኩም፡ ከምቲ ኣነ ዝሰበኽክዎ ጌርኩም ሒዝኩምዎ እንተ
ኣሊኹምሲ፡ እቲ ዝሰበኽኹልኩምን እተቐበልኩምዎን ኣብኡ ጸኒዕኩም ዘሎኹምን ብእኡውን
እትድሕኑሉን ወንጌል ኤፍልጠኩም ኣሎኹ። 3 እቲ ኣነ እተቐበልክዎ ቕድሚ ኹሉ ነጊረኩም እየ፡ ከምቲ
እቶም ጽሑፋት ዚብልዎ፡ ክርስቶስ ምእንቲ ሓጢኣትና ሞተ፡ 4 ተቐብረ ኸኣ፡ ከምቲ እቶም ጽሑፋት
ዚብልዎ፡ ብሳልሰይቲ መዓልቲውን ተንስኤ፡ 5 ንኬፋ፡ ደሓርውን ነቶም ዓሰርተው ክልተ ተራእየ፡ 6
ድሕሪኡ፡ ዚበዝሑ ኻባታቶም ክሳዕ ሎሚ ዘለዉ፡ ገሊኣቶም ግና ደቂሶም ዘለዉ፡ ካብ ሓሙሽተ ሚእቲ
ንዚበዝሑ ኣሕዋት ብሓንሳእ ተራእየ። 7 ድሕሪኡ ንያእቆብ፡ ድሕሪኡ ኸኣ ንኹላቶም ሃዋርያት ተራእየ። 8
ድሕሪ ኹላቶም ድማ ንኣይ፡ ቍላዕ ንዝመስል፡ ተራእየኒ። 9 ኣነስ ነታ ማሕበር ኣምላኽ ስለ ዝሰጐጕክዋ፡

ምንኣስ ኲላቶም ሃዋርያት እየ እሞ ሃዋርያ ኽስመ ብቑዕ ኣይኰንኩን። 10 እቲ ዘሎኽዎ ግና ብጸጋ
ኣምላኽ እየ ዘሎኹ። ካብ ኲላቶም ዚበዝሕ ደኣ ጸዓርኩ እምበር፡ እቲ ንኣይ እተዋህበ ጸጋኡ ኸንቱ
ኣይኰነን። እቲ ምሳይ ዘሎ ጸጋ ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ኣነ ኣይኰንኩን። 11 እምብኣርሲ ኣነ እንተ
ኾንኩ፡ ንሳቶም እንተ ኾኑ፡ ከምዚ ጌርና ንሰብኽ ኣሎና፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ኣመንኩም። 12
ክርስቶስ ካብ ምዉታት ከም ዝተንስኤ ኻብ ዚስበኽ ደኣ፡ ከመይ ኢሎም እዮም ሓያሎ ኻባኻትኩም፡
ትንሳኤ ምዉታት የልቦን፡ ዚብሉ ዘለዉ፧ 13 ትንሳኤ ምዉታት ዜልቦ እንተ ኾይኑስ፡ ክርስቶስ ድማ
ኣይተንስኤን። 14 ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተ ኾይኑስ፡ እምብኣርከ ስብከትና ኸንቱ እዩ፡ እምነትኩምውን
ከንቱ እያ። 15 ኣምላኽ ንክርስቶስ ኣተንሲእዎ ኢልና መስኪርና ኢና እሞ፡ ንክርስቶስ ዘየተንስኦ እንተ
ኾይኑስ፡ ምዉታትውን እንተ ዘይትንስኡ፡ ንሕና ሓሰውቲ ምስክር ኣምላኽ ኴንና ንርከብ ኢና። 16
ምዉታት እንተ ዘይትንስኡስ፡ ክርስቶስውን ኣይተንስኤን እሞ፡ 17 ክርስቶስ ዘይተንስኤ እንተ ኾይኑስ፡
እምነትኩም ከንቱ እያ፡ ንስኻትኩም ገና ኣብ ሓጢኣትኩም ኣሎኹም። 18 እምብኣርሲ እቶም ብክርስቶስ
ዝደቀሱ ድማ ጥፉኣት እዮም። 19 ኣብዛ ህይወት እዚኣ ጥራይ ብክርስቶስ ተስፋ እንተ ገበርናስ፡ ካብ
ኲሉ እነደንግጽ ምኾንና ኔርና። 20 ሕጂ ግና ክርስቶስ፡ በዂሪ እቶም ዝደቀሱ ኾይኑ፡ ካብ ምዉታት
ተንስኤ። 21 ስለዚ ኸምቲ ሞት ብሓደ ሰብ ዝመጸ፡ ከምኡ ኸኣ ትንሳኤምውታት ብሓደ ሰብ እዩ ዝመጸ።
22 ከምቲ ኹላቶም ብኣዳም ዝሞቱ፡ ከምኡ ድማ ኲላቶም ብክርስቶስ ህያዋን ኪኾኑ እዮም። 23 ግናኸ
ነፍሲ ወከፍ በብስርዓቱ እዩ፡ ክርስቶስ ከም ቦኽሪ፡ ደሓር እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ብምጽኣቱ። 24-25
ክርስቶስ ነቶም ጸላእቱ ዘበሉ ትሕቲ ኣእጋሩ ክሳዕ ዚገብሮም፡ ክነግስ ይግብኦ እዩ እሞ፡ ኲሉ ሽመትን
ስልጣንን ሓይልን ምስ ሰዓረ፡ እታ መንግስቲ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ምስ ወፈየ፡ ሽው እዩ መወዳእታ
ዚኸውን። 26 እቲ ኣብ መወዳእታ ዝስዓር ጸላኢውን ሞት እዩ። 27 ኣምላኽ፡ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኹሉ
ኣግዝኦ እሞ፡ ኲሉ ተገዝኤ፡ ኪብል ከሎ፡ ብዘይ እቲ ኹሉ ንእኡ ዘግዝኦ ኸም ዝኾነ፡ ግሁድ እዩ። 28
ኲሉ ምስ ተገዝኦ ግና፡ ኣምላኽውን ኲሉ ኣብ ኲሉ ምእንቲ ኪኸውን፡ ሽው እቲ ወዲ ባዕሉ ነቲ ኹሉ
ዘግዝኦ ኺግዛእ እዩ። 29 እንተ ዘይኮነስ፡ እቶም ኣብ ክንዲ ምውታት ዚጥመቑ ደኣ እንታይ ይገብሩ
ኣለው፡ ብሱሩ ምውታት ዘይትንስኡ እንተ ኾይኖምሲ፡ ንምንታይ ደኣ ዚጥመቑሎም፡ 30 ስለምንታይ ድኣ
ንሕናኸ ኹሉ ጊዜ ኣብ ፍርሃት እንኣቱ፡ 31 ኣሕዋተየ፡ ኣነ በቲ ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ኣባኻትኩም
ዘሎኒ ትምክሕቲ ኣብ ጸጽባሕ እመውት ኣሎኹ። 32 ኣነ ኸም ግእዚ ሰብ ኣብ ኤፌሶን ምስ ኣራዊት እንተ
ገጠምኩ፡ እንታይ ጥቕሚ ኣሎኒ፧ ምዉታት ዘይትንስኡ እንተ ኾኑስ፡ ጽባሕ ክንመውት ኢና እሞ፡
ንብላዕን ንስተን። 33 ኣይትታለሉ፡ ሕማቕ ዕርክነት ንጽቡቕ ልማድ የጥፍኦ እዩ። 34 ገሊኣቶም ፍልጠት
ኣምላኽ የብሎምን እሞ፡ ንቕንዕና ተባራበሩ ሓጢኣትውን ኣይትግበሩ። እዚ ምእንቲ ኽትሐፍሩ ኢለ እየ
ዝብሎ ዘሎኹ። 35 ገለ ግና፡ ምዉታት ከመይ ኢሎም እዮም ዚትንስኡ፧ ብኸመይ ዝበለ ስጋኸ እዮም
ዚመጹ፧ ዚብል ይህሉ። 36 ኣታ ዓሻ፡ እቲ ንስኻ እትዘርኦ ኽይሞተ ህይወት ኣይረክብን እዩ። 37 እቲ
እትዘርኦ ድማ ናይ ስርናይ ወይስ ናይ ካልእ ዓይነት ፍረ ጥራይ እዩ እምበር፡ እቲ ስጋ ዚኸውን ኣይኰነን
እትዘርኦ ዘሎኻ። 38 ኣምላኽ ግና ከም ዝደለየ ገይሩ እዩ ስጋ ዚህቦ። ንነፍሲ ወከፍ ዘርኢውን ሰስጋኡ
ይህቦ። 39 ስጋ ሰብ በይኑ፡ ስጋ እንስሳ በይኑ፡ ስጋ ኣዕዋፍ በይኑ፡ ስጋ ዓሳውን በይኑ ደኣ እዩ እምበር፡
ኲሉ ስጋስ ሓደ ዓይነት ስጋ ኣይኰነን። 40 ሰማያዊ ስጋ ድማ ኣሎ፡ ምድራዊ ስጋ ኸኣ ኣሎ፡ ግናኸ ክብሪ
እቶም ሰማያውያን በይኑ፡ ክብሪ እቶም ምድራውያንውን በይኑ እዩ። 41 ብኽብርስ ኰኾብ እኳ ኻብ
ኰኾብ ይበልጽ እዩ እሞ፡ ክብሪ ጸሓይ በይኑ፡ ክብሪ ወርሒ በይኑ፡ ክብሪ ኸዋኽብቲውን በይኑ እዩ።
42 ትንሳኤ ምዉታትውን ከምኡ እዩ፡ ብዚሐልፍ ይዝራእ፡ ብዘይሐልፍ ከኣ ይትንስእ። 43 ብውርደት

ይዝራእ፡ ብኽብሪ ይትንስእ። ብድኻም ይዝራእ፡ ብሓይሊ ይትንስእ። [44] ነፍሳዊ ስጋ ይዝራእ፡ መንፈሳዊ
ስጋ ይትንስእ። ነፍሳዊ ስጋ ኻብ ዚህሉ፡ መንፈሳዊ ስጋውን ኣሎ። [45] ከምኡ ድማ፡ እቲ ቐዳማይ ሰብ፡
ኣዳም፡ ህያው ነፍሲ ኾነ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ፡ እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ ኰነ። [46]
ግናኸ ቅድም እቲ ነፍሳዊ እዩ እምበር፡ እቲ መንፈሳዊ ኣይኰነን፡ ደሓር እቲ መንፈሳዊ እዩ። [47] እቲ
ቐዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መሬታዊ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ እዩ። [48] ከምቲ
መሬታዊ ኸምኡ ኸኣ እቶም መሬታውያን እዮም፡ ከምቲ ሰማያዊ ድማ ከምኡውን እቶም ሰማያውያን
እዮም። [49] ከምቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበስናዮ፡ ምስሊ እቲ ሰማያዊ ድማ ክንለብስ ኢና። [50] ግናኸ፡
ኣሕዋተየ፡ ስጋን ደምን መንግስቲ ኣምላኽ ኪወርስ ከም ዘይከኣሎ፡ እቲ ሓላፊ ድማ ነቲ ዘይሓልፍ ከም
ዘይወርሶ፡ እብለኩም ኣሎኹ። [51] እንሆ፡ ምስጢር እነግረኩም ኣሎኹ፡ ኩላትና ኽንልወጥ እምበር፡
ኩላትና ኣይክንድቅስን ኢና፡ [52] ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ
መለኸት ኪንፋሕ እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሓልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ
ኢና። [53] ማለት፡ እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ኪለብስ ይግብኦ እዩ እሞ፡ እዚ መዋቲ ኸኣ ዘይመውት ኪለብስ
እዩ። [54] እዚ ሓላፊ ዘይሓልፍ ምስ ለበሰ፡ እዚ መዋቲውን ዘይመውት ምስ ለበሰ፡ ሽዑ እቲ ጽሑፍ፡ ሞት
ብዓወት ተዋሕጠ፡ ዝበሎ ቓል ኪፍጸም እዩ። [55] ዎ ሞት፡ ኣበይ ኣሎ ብልሕኻ፧ ኣታ ሲኦልከ፡ ኣበይ ኣሎ
ዓወትካ፧ [56] ብልሒ ሞት ሓጢኣት እዩ፡ ሓይሊ ሓጢኣትውን ሕጊ እዩ። [57] ግናኸ ነቲ ብጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ገይሩ ዓወት ዚህበና ኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ። [58] ስለዚ፡ ፍቑራት ኣሕዋተየ፡ ጻዕርኹም
ብጐይታ ኸንቱ ኸም ዘይኰነ ፈሊጥኩም፡ ብዕዮ ጐይታ ጽኑዓት፡ ዘይትናቓነቑ፡ ኵሉ ጊዜ ዕዙዛት ኩኑ።

# ምዕራፍ 16

[1] ብዛዕባ እቲ ነቶም ቅዱሳን ኪኸውን ዚዋጻእ ገንዘብ ግና፡ ከምቲ ንማሕበራት ገላትያ ዝሰራዕክዎ፡
ንስኻትኩምውን ከምኡ ግበሩ። [2] ኣነ ምስ መጻእኩ፡ ምውጻእ ገንዘብ ሽዑ ምእንቲ ኸይከውን፡ ኣብ
ሰሰሙን በታ ቐዳመይቲ መዓልቲ ነፍሲ ወከፍኩም ከከም ዓቕሙ ኣዋህሊሉ ምስኡ የቐምጥ። [3] ኣነ ምስ
መጻእኩ ድማ። እቲ ህያብ ልግስኹም ናብ የሩሳሌም ምእንቲ ኼብጽሑ፡ ነቶም ግቡኣት ኰይኖም
እተራእዩኹም ሰባት፡ ደብዳበ ኣትሒዘ ኽሰዶም እየ። [4] ኣነውን ክኸይድ ዜድሊ እንተ ኾነ፡ ምሳይ
ይኸዱ። [5] ብመቄዶንያ ኽሐልፍ እየ እሞ፡ ብመቄዶንያ ምስ ሐለፍኩ፡ ናባኻትኩም ክመጽእ እየ። [6] ናብቲ
ክኸዶ ዝደሊ ምእንቲ ኸተሰንዩኒ፡ ምናልባሽ ምሳኻትኩም እጸንሕ ወይስ እኸርም እኸውን እየ። [7]
እግዚኣብሄር እንተ ፈቒዱ፡ ገለ ጊዜ ምሳኻትኩም ክጸንሕ ተስፋ እገብር ኣሎኹ እሞ፡ ሕጂስ ከም ሓላፍ
መገዲ ኾይነ ኽርእየኩም ኣይፈቱን እየ። [8-9] ዓብይን ብርቱዕን ደገ ተኸፊቱለይ ኣሎ፡ ተጻረርቲ ኸኣ
ብዙሓት እዮም እሞ፡ ክሳዕ በዓላት ሓምሳ ኣብ ኤፌሶን ክጸንሕ እየ። [10] ጢሞቴዎስ እንተ መጸ ግና፡
ከምዚ ኸማይ ዕዮ ጐይታ ይዓዪ እዩ እሞ፡ ምሳኻትኩም ብዘይ ፍርሃት ኪኸውን ተጠንቀቑሉ። [11]
ምስቶም ኣሕዋቱ እጽበዮ ኣሎኹ እሞ፡ ናባይ ምእንቲ ኺመጽእ፡ ብሰላም ኣፋንውዎ፡ ሓደ እኳ
ኣይንዓቆ። [12] ግናኸ ብዛዕባ ኣጵሎስ ሓውና ምስቶም ኣሕዋት ናባኻትኩም ኪመጽእ ብዙሕ ምዒደዮ
እሞ፡ ሕጂ ኺመጽእ ከቶ ፍቓድ የብሉን፡ ምስ ጠዓሞ ግና ኪመጽእ እዩ። [13] ንቕሑ፡ ኣብ እምነት ጽንዑ፡
ሰብኡት ኩኑ፡ በርትዑ። [14] ኩሉ ግብርኹም ብፍቕሪ ይገበር። [15-16] ኣሕዋተየ፡ ቤት እስጢፋኖስ እታ
በዅሪ ኣካይያ ኸም ዝኾነት፡ ነፍሶምውን ንምግልጋል ቅዱሳን ከም ዝመደቡ፡ ትፈልጡ ኢኹም፡
ንስኻትኩም ከኣ ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉን ነቶም ምሳና ዚዓዩን ዚጽዕሩን ዘበሉ ኽትእዘዝዎም፡

እልምነኩም ኣሎኹ። 17 ብምምጻእ እስጢፋኖስን ፈርጡናጦስን ኣካይቆስን ከኣ፡ ነቲ ኻባኻትኩም
ዝጐደለ ንሳቶም መሊኦምዎ ኣለዉ እሞ፡ ባህ ይብለኒ ኣሎ። 18 ንመንፈሰይን መንፈስኩምን ኣቕሲኖም
እዮም እሞ፡ ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ ሰባት ፍለጥዎም። 19 እተን ማሕበራት እስያ ሰላም ይብላኹም
ኣለዋ። ኣኪላስን ጵርስኪላን ምስታ ኣብ ቤቶም ዘላ ማሕበር ኰይኖም፡ ብጐይታ ሰላም ይብሉኹም
ኣለዉ። 20 ኲላቶም እቶም ኣሕዋት ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ። ብቕዱስ ምስዕዓም ንሓድሕድኩም ሰላም
ተባሃሃሉ። 21 እዛ ሰላምታ እዚኣ ኣነ ጳውሎስ ባዕለይ ብኢደይ ዝጸሓፍክዋ እያ። 22 ንጐይታና ዘየፍቅሮ
እንተሎ፡ ንሱ ርጉም ይኹን። ማራን ኣታ። 23 ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምሳኻትኩም ይኹን። 24
ብክርስቶስ የሱስ ፍቕረይ ምስ ኲላትኩም ይኹን። ኣሜን።

# *2ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሮንቶስ*

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ ክርስቶስ የሱስ፡ ጢሞቴዎስ ሓውናውን፡ ናብታ ኣብ ቈረንቶስ ዘላ
ማሕበር ኣምላኽ ምስቶም ኣብ ብዘላ ኣካይያ ዘለዉ ዅላቶም ቅዱሳን፡ 2 ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ
ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንኣኻትኩም ይኹን። 3 ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡
ኣቦ ምሕረትን ኣምላኽ ኲሉ ምጽንናዕን፡ ይባረኽ፡ 4 በቲ ንርእስና ኻብ ኣምላኽ እንጸናንዓሉ ምጽንናዕ፡
ነቶም ኣብ ጸበባ ዘለዉ ዘበሉ ዅላቶም ከነጸናንዐ ምእንቲ ኺከኣለናስ፡ ብጸበባና ዘበለ ዜጸናንዓና ንሱ
እዩ። 5 ከምቲ ስቓይ ክርስቶስ ኣባና ዚዐዝዝ ዘሎ፡ ከምኡ ድማ ብክርስቶስ ዚኾነልና ምጽንናዕና ይዐዝዝ
እዩ። 6 ግናኸ እንተ ጸበበና እኳ፡ ንምጽንናዕኩምን ምድሓንኩምን እዩ። እንተ ተጸናናዕና ድማ፡ ነቲ
ንሕናውን እንስቀዮ ዘሎና ስቓይ ብትዕግስትኹም ዚጋደል ምጽንናዕኩም እዩ። 7 ከምቲ ተማቓልቲ
ስቓይ፡ ከምኡ ኸኣ ተማቓልቲ ምጽንናዕ ከም ዝኾንኩም ፈሊጥና፡ ተስፋና ኣባካትኩም ጽንዕቲ እያ። 8
ኣሕዋተየ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ እስያ ዝረኸበና ጸበባ፡ ህይወትና እኳ ኽሳዕ እንቕብጽ፡ ሓለፉ ዓቕምና
እምብዛ ኸም ዝኸበደና፡ ክንሐብኣልኩም ኣይንፈቱን ኢና። 9 ኣብቲ ንምዉታት ዜተንስእ ኣምላኽ
እምበር፡ ኣብ ገዛእ ርእስና ምእንቲ ኸይንውከልሲ፡ ሞት ከም እተፈርደና ኣብ ውሽጥና ይስምዓና ነይሩ።
10 ንሱ ኻብ ክንድዚ ዚአክል ሞት ኣድሒኑና የድሕነና ድማ ኣሎ፡ ንዳሕራዩውን ከም ዜድሕነና፡ ብእኡ
ተስፋ ንገብር ኣሎና። 11 ንስካትኩም ከኣ ብጸሎትኩም ትድግፉና ኣሎኹም። ከምኡውን ሳላ እቲ
ብብዙሓት ሰባት ዝረኸብናዮ ውህበት ጸጋ ብዙሓት ሰባት ብዛዕባና ኺመስግኑ እዮም። 12 ትምክሕትና፡
ብጥበብ ስጋ ዘይኰነስ፡ ብጸጋ ኣምላኽ ከም እተመራሕና፡ ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ፡ ምናዳ ኣባካትኩም፡
ብቕድስና ኣምላኽን ንጽህናኡን ከም እተመላለስና፡ እዚ ናይ ሕሊናና ምስክር እዩ። 13-14 ብዘይ እቲ
እተንብብዎን ወይስ እተስተውዕልዎን ካልእ ኣይንጽሕፈልኩምን ኢና እሞ፡ ከምቲ ንሕና ትምክሕትኹም
ምዃንና ብሓደ ወገኑ ኣስተውዒልኩምና ዘሎኹም፡ ከምኡውን ንስካትኩም ብመዓልቲ ጐይታና የሱስ
ትምክሕትና ኸም እትኾኑ፡ ክሳዕ መወዳእታ ድማ ከም እተስተውዕልዎ፡ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 15
ካዕበት ጸጋ ምእንቲ ኽትረኽቡ ኸኣ፡ በዚ ተኣሚነ ቐድም ናባኻትኩም ክመጽእ ደሌኹ፡ 16 ብኣኻትኩም
ኣቢለ ኸኣ ናብ መቄዶንያ ኽሐልፍ፡ ከም ብሓድሽ ድማ ካብ መቄዶንያ ናባኻትኩም ክመጽእ እሞ
ንስካትኩም ናብ ይሁዳ ኽተፋንዉኒ ደሌኹ። 17 እምብኣርሲ እዚ ምስሓሰበኩ፡ ብቕለት ደኾን ገይረዮ
እኸውን፧ ወይስ ኣባይ፡ እወ፡ እወ ኣይኰነን ኣይኰነን፡ ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ እቲ ዝመኸሮ ደኾን ከም
ስጋ ገይረ መኺረዮ ኾይነ፧ 18-19 እቲ ብኣና፡ ማለት ብኣይን ስልዋኖስን ጢሞቴዎስን፡ ኣብ ማእከልኩም
እተሰብከ ወዲ ኣምላኽ፡ የሱስ ክርስቶስ፡ ብእኡ እወ እምበር፡ እወን ኣይኰነን ኣይነበረን እሞ፡ ኣምላኽ
እሙን ከም ዝኾነ፡ እቲ ንኣኹም ዝነገርናዮ ቓል፡ እወን ኣይኰነን፡ ኣይነበረን። 20 ተስፋ ኣምላኽ ዘበለስ
ኣብኡ እወ እዩ፡ ስለዚ ኸኣ ኣምላኽ ብኣና ምእንቲ ኪኽብርሲ፡ ብእኡ ኣሜን እዩ። 21-22 ግናኸ እቲ
ብክርስቶስ ገይሩ ምሳኻትኩም ዘጽንዓናን ዝቐብኣናን እቲ ዝሐተመናን ኣብ ልብናውን ዕርቡን መንፈስ
ዝሃበና ኣምላኽ ንሱ እዩ። 23 ግናኸ እቲ ናብ ቈረንቶስ ገና ዘይምምጽኤይ ምእንቲ ንምስክር ኢለ ኽም

ዝኾንኩ፡ ኣምላኽ ንምስክር ኣብ ነፍሰይ እጽውዕ ኣሎኹ። 24 ብእምነት ቋምኩም ኣሎኹም እሞ፡
ደገፍቲ ሓጐሰኹም ደኣ ኢና እምበር፡ ኣብ ልዕሊ እምነትኩም ክንጐይተት ኣይኰንናን።

## ምዕራፍ 2

1 ከም ብሓድሽ ድማ ብጓሂ ናባኻትኩም ከይመጽእ፡ እዚ ብርእሰይ መደብክዎ። 2 ማለት፥ ኣነ እንተ
ኣጕሂኹኹምሲ፡ እቲ ብኣይ ምኽንያት ዝጕሃየ እንተ ዘይኰይኑ ደኣ፡ መን እዩ ዜሐጕሰኒ፧ 3 ሓጐሰይ
ሓጐስ ኵላቶም ከም ዝኾነ ብዅላትኩም እናተኣመንኩ፡ ካብቶም ሓጐስ ክረኽበሎም ዚግባኣኒ፡
ክመጽእ ከሎኹ ጓሂ ምእንቲ ኸይረክብ እየ እዚ ዝጸሓፍኩልኩም። 4 እቲ ዘፍቅረኩም ፍቕረይ ኣዝዩ
ብሉጽ ምዃኑ ምእንቲ ኽትፈልጡ እምበር፡ ብብዙሕ ጸበባን ጭንቀት ልብን ብዙሕ እናነባዕኩ
ዝጸሓፍኩልኩም፡ ምእንቲ ኽጕህየኩም ኢለ ኣይኰንኩን። 5 ሓደ ሰብ ዘጕሃየ እንተሎ ግና፡ እምብዛ
ኸየኽብደሉ፡ ብሓደ ወገኑስ ንዅላትኩም እምበር፡ ንኣይ ኣይኰነን ዘጕሃየ። 6 ነዚ ኸምዚ ዝበለ እቲ
ካብቶም ብዙሓት ዝረኸቦ መግናሕቲ ይኣኽሎ። 7 እምብኣርሲ ነዚ ኸምዚ ዝበለ፡ ምናልባሽ ብብዝሒ
ጓሂ ኸይውሐጥ፡ ይቕረ ደኣ በሉሉን ኣጸናንዕዎን። 8-9 ብዅሉ ነገር እዙዛት እንተ ዄንኩም ፍቱናት
ምዃንኩም ምእንቲ ኽፈልጥ እየ ዝጸሓፍኩልኩም። ስለዚ ኸኣ ፍቕርኹም ከተጽንዑሉ እምዕደኩም
ኣሎኹ። 10-11 ግናኸ ሰይጣን ከይብለጸልና፡ ውዲቱ ኣይስንሕቶን ኢና እሞ፡ ኣነ ንገለ ይቕረ ኢለ እንተ
ኾይነ፡ ብዛዕባኹም ኣብ ቅድሚ ክርስቶስ ይቕረ ኢለ እየ፡ እምብኣርሲ ነቲ ይቕረ እትብሉሉ ኣነውን
ይቕረ እብለሉ ኣሎኹ። 12 ወንጌል ክርስቶስ ምእንቲ ኽምህር ኢለ ናብ ጥሮኣስ ምስ መጻእኩ ግና፡
ደገውን ብጐይታ ተኸፊቱለይ ከሎስ፡ 13 ንቲቶስ ሓወይ ስለ ዘይረኸብክዎ፡ ንሳቶም ኣሰንዮምኒ ናብ
መቄዶንያ ወጻእኩ እምበር፡ ኣብ መንፈሰይ ዕረፍቲ ኣይነበረን። 14 ግናኸ ነቲ ብክርስቶስ ኵሉ ሳዕ ናብ
ዓወት ዚመርሓና፡ ብኣናውን መኣዛ ፍልጠቱ ኣብ ኵሉ ቦታ ዚገልጽ ኣምላኽ፡ ስብሓት ይኹኖ። 15
ማለት፥ ኣብ ማእከል እቶም ዚድሕኑን እቶም ዚጠፍኡን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ መኣዛ ክርስቶስ ኢና፡ 16
ነዚኣቶም ካብ ሞት ናብ ሞት፡ ነቲኣቶም ግና ካብ ህይወት ናብ ህይወት ዜብጽሕ ሽታ ኢና። ነዚ ኸእለት
ዘለዎ መን እዩ፡ 17 ብኣምላኽ ተደሪኽና ብገርህነት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብክርስቶስ ኳንና ንዛረብ ኣሎና
እምበር፡ ከምቶም ብዙሓት ንቓል ኣምላኽ ዚሓዋውሱ ኣይኰንናን።

## ምዕራፍ 3

1 ከም ብሓድሽዶ ንርእስና ኽነማዕቍብ ንጅምር ኣሎና፡ ወይስ ከምቶም ገሊኦምዶ እተማዕቍበና
ደብደበ ናባኻትኩም ወይስ ካባኻትኩም ተድልየና እያ፡ 2 ኣብ ልብና እተጻሕፈት፡ ኵሉ ሰብ ዚፈልጣን
ዜንብባን ደብዳቤና ንስካትኩም ኢኹም። 3 ንስካትኩም ብመንፈስ ህያው ኣምላኽ እምበር፡ ብቐለም
ዘይተጻሕፈት ኣብ ልቢ ስጋ እምበር፡ ኣብ ጽላት እምኒ ዘይተጻሕፈት ብምግልጋልና ደብደበ ክርስቶስ
ምዃንኩም ግሁድ እዩ። 4 ብክርስቶስ ግና ኣብ ኣምላኽ ከምዚ ዝበለ እሙንቶ ኣላትና፡ 5 ክእለትና ኻብ
ኣምላኽ ደኣ እዩ እምበር፡ ካብ ርእስና ገለ ኸም ዘምጻእና፡ ሓንቲ እኳ ክንሐስብ ኣይከኣለናን እዩ። 6
ፍዴል ይቐትል፡ መንፈስ ግና ህያው ይገብር እዩ እሞ፡ ንሱ ኸኣ ንናይ መንፈስ እምበር፡ ንናይ ፍዴል
ዘይኰነ ኣገልገልቲ ሓድሽ ኪዳን ክንከውን ከኣለቲ ገበረና፡ 7 ግናኸ እቶም ደቂ እስራኤል ብምኽንያት
እቲ ሓላፊ ዝኾነ ኽብሪ ኽነሱ፡ ምጥማት እቲ ገጽ ሙሴ ኽሳዕ ዚስእኑ፡ እታ ብፍዴላት ኣብ ኣእማን

እተቐርጸት ኣገልግሎት ሞት ብኽብሪ ካብ መጸትሲ፡ [8] ክንደይ ደኣ ግዳ እታ ኣገልግሎት መንፈስ ብኽብሪ
ብልጽቲ ዘይትኸውን፡ [9] እታ ኣገልግሎት ኵነኔ ኻብ እትኽበር፡ ክንደይ ግዳ እታ ኣገልግሎት ጽድቂ
ብኽብሪ ዘይትዓዝዝ፧ [10-11] እታ ሓላፊት ብኽብሪ ኻብ መጸት፡ እታ ነባሪት ግዳ ክንደይ ኣዝያ ብኽብሪ
ዘይትበልጽ እሞ፡ በዚ ወገን እዝስ እታ ኽብርቲ እኳ ብምኽንያት እቲ ዚዐዛ ኽብሪ ኽብርቲ
ኣይኰነትን። [12] እምብኣርሲ ከምዚ ዝበለት ተስፋ ስለ ዘላትና፡ ብብዙሕ ትብዓት ንዛረብ ኣሎና፡ [13]
ከምቲ ደቂ እስራኤል መወዳእታ እቲ ሓላፊ ከይርእዩ፡ ሙሴ ኣብ ገጹ ጕልባብ ዚገብር ዝነበረ፡
ኣይንገብርን ኢና። [14] ግናኸ ኣብቲ ብሉይ ኪዳን ኬንብቡ ኸለዉ፡ እቲ ብክርስቶስ እተቐንጠጠ መጋረጃ
ክሳዕ ሎም መዓልቲ ኣይተቐልዓሎምን እሞ፡ ሓሳቦም ደንዚዙ ኣሎ። [15] ክሳዕ ሎሚ ንሙሴ እናኣንበብዎ፡
እቲ መጋረጃ ኣብ ልቦም ዝርጉሕ ኣሎ። [16] ናብ ጐይታ ምስ ተመልሱ ግና፡ እቲ መጋረጃ ኪቐንጠጥ እዩ።
[17] ጐይታስ መንፈስ እዩ፡ ኣብቲ መንፈስ ጐይታ ዘለዎ ድማ፡ ኣብኡ ሓርነት ኣሎ። [18] ንሕና ዅላትና ግና
ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኻብ
ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።

## ምዕራፍ 4

[1-2] ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሕሊና ዅሉ ሰብ ነታ ሓቂ እናገለጽናሉ፡ ነፍስና ነዕቍብ እምበር፡ ብተንኰል
ከይተመላለስና፡ ንቓል ኣምላኽውን ሓሳዊ ኸይገበርናዮ፡ ነቲ ናይ ነውሪ ሕቡእ ነገር ሓዲግና ኣሎና።
ስለዚ ምሕረት ከም ዝወረደና፡ እዛ ኣገልግሎት እዚኣ ኻብ እትህልወና፡ ኣይንሓለልን ኢና። [3] እቲ
ወንጌልና ስዉር እንተ ዀነ ኸአ፡ ኣብቶም ዚጠፍኡ እዩ እተሰወረ። [4] እቲ ብርሃን ወንጌል ናይ ክብሪ
ክርስቶስ፡ ንሱ ኸኣ ምስሊ ኣምላኽ፡ ምእንቲ ኸየብርሃሎምሲ፡ ኣምላኽ እዛ ዓለም እዚኣ ንሓሳብ እቶም
ዘይኣምኑ ኣዖሮ። [5] ማለት፥ ክርስቶስ የሱስ ከም ጐይታ፡ ንርእስና ግና ምእንቲ የሱስ ከም ግዙኣትኩም
ጌርና እምበር፡ ርእስና ኣይኰንናን እንሰብኽ ዘሎና። [6] እቲ፡ ካብ ጸልማትሲ ብርሃን ይብራህ፡ ዝበለ
ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ንብርሃን ፍልጠት ናይ ኣምላኽ ክብሪ ብገጽ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ልብና ኣብርሆ። [7]
ግናኸ እቲ ማእለያ ዜብሉ ሓይሊ ካብ ኣምላኽ እምበር፡ ካባና ምእንቲ ኸይከውን፡ እዚ መዝገብ እዚ
ኣብ ኣቕሓ መሬት እዩ ዘሎና። [8] ብዅሉ ወገን ንጽቀጥ፡ ግናኸ ኣይጸበናን፡ እንገብሮ ይጠፍኣና፡ ግናኸ
ተስፋ ኣይንቕብጽን ኢና፡ [9] ንስጐጕ፡ ድርቡያት ግና ኣይኰንናን። ይደፍኡና፡ ግናኸ ኣይንጠፍእን ኢና። [10]
ህይወት የሱስ ኣብ ስጋና ምእንቲ ኽትግሃድውን ኵሉ ሳዕ ሞት የሱስ ኣብ ስጋና ንጸውር ኣሎና። [11]
ማለት፥ እታ ህይወት የሱስ ኣብቲ መዋቲ ስጋና ምእንቲ ኽትግሃድሲ፡ ንሕና ብህይወት ዘሎና ምእንቲ
የሱስ ኢልና ዅሉ ሳዕ ናብ ሞት የሕልፉና ኣለዉ። [12] እምብኣርሲ ሞት ኣባና ይዓዪ፡ ህይወት ግና
ኣባኻትኩም ትዓዪ ኣላ። [13-14] ግናኸ እቲ ንጐይታና የሱስ ዘተንስአ ንኣናውን ምስ የሱስ ከም ዜተንስኣና
እሞ ምሳኻትኩም ኣብ ቅድሚኡ ኸም ዜቕውመና እናፈለጥና፡ ከምቲ፡ ኣሚነ ስለዚ ተዛረብኩ፡ ዚብል
ጽሑፍ ዘሎ፡ እቲ ሓደ መንፈስ እምነት ካብ ዚህልወና፡ ንሕና ድማ ንኣምን፡ ስለዚውን ንዛረብ ኣሎና። [15]
እቲ በቶም ብዙሓት እምብዛ ዝበዝሐ ጸጋ፡ ንኽብሪ ኣምላኽ ምስጋና ምእንቲ ኺዕዝዝ፡ ኵሉ ዚኸውን
ዘሎ ምእንታኹም እዩ። [16-17] እቲ ሸዓ ዚሐልፍን ቀሊልን ጸበባና ማእለያ ዜብሉ ብሉጽ ናይ ዘለኣለም
ምሉእ ረዚን ክብሪ የዳልወልና እዩ እሞ፡ እቲ ናይ ወጻኢ ሰብና እንተ በሰበሰ እኳ፡ እቲ ውሽጥና ኣብ
ጸጽባሕ ይሕደስ ኣሎ፡ ስለዚ ኣይንሕለልን ኢና። [18] እቲ ዚርኤ ንጊዜኡ እዩ፡ እቲ ዘይርኤ ግና ንዘለኣለም
እዩ እሞ፡ ንሕና ነቲ ዘይርኤ እምበር፡ ነቲ ዚርኤ ኣይንጥምትን ኢና።

## ምዕራፍ 5

1 እዛ ምድራዊት ናይ ድንኳን ቤትና እንተ ፈረሰት እኳ፡ ሓንቲ ህንጻ ካብ ኣምላኽ፡ ብኢድ ዘይተገብረት
ናይ ዘለኣለም ቤት ኣብ ሰማያት ከም ዘላትና፡ ንፈልጥ ኢና። 2-3 ምንም እኳ ልቡሳት እንተ ኾንና፡
ዕሩቓት ኳንና ኸይንርከብ፡ እታ ሰማያዊት ቤትና ኽንለብስ እናናፈቕና፡ ኣብዚ ንደፉነቕ ኣሎና። 4 ንሕና
ኣብዚ ድንኳን እዚ ኸሎናስ፡ እቲ መዋቲ ብህይወት ምእንቲ ኺውሓጥ፡ ኣብ ልዕሊኡ ኽንለብስ እምበር፡
ክንቅንጠጥ ስለ ዘይንፈቱ፡ ከቢዱና ነስቈርቍር ኣሎና። 5 ግናኸ እቲ ነዚ ዘዳለወና፡ ዕርቡን መንፈስ ከኣ
ዝሃበና፡ ኣምላኽ እዩ። 6-7 ስለዚ ኹሉ ሳዕ እሙንቶ ኣላትና፡ ብእምነት እምበር፡ ብምርኣይ ኣይኰንናን
እንመላለስ ዘሎና እሞ፡ ኣብ ስጋ ሰፊርና ኸሎና፡ ካብ ጐይታ ርሑቓት ከም ዝኾንና፡ ንፈልጥ ኢና። 8
ግናኸ እሙንቶ ኣላትና፡ ካብ ስጋ ግዒዝና ምስ ጐይታ ኽንነብርውን፡ ባህጊ ኣሎና። 9-10 ነፍሲ ወከፍና
ነቲ ብስጋኡ ኸሎ ዝገብሮ፡ ሰናይ ኰነ ወይስ እከይ፡ ምእንቲ ኪቕበል፡ ኵላትና ኣብ ቅድሚ መንበር
ፍርዲ ክርስቶስ ብግዲ ኽንግሃድ ኢና። ስለዚ ድማ ኣብ ስፍራና እንተ አሊና ወይስ ኣብ ወጻኢ፡ ንእኡ
ኽነሐጉሶ ንጽዕት አሎና። 11 እምብኣርሲ ፍርሃት እግዚኣብሄር ፈሊጥና፡ ንሰብ ነረድኦም አሎና፡ ንሕና
ግና ንኣምላኽ ግሁዳት ኢና፡ ኣብ ሕሊናኹም ከም እተገሃድናውን ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 12 ነቶም ብገጽ
እምበር፡ ብልቢ ዘይኰነ፡ ዚምክሑ ምላሽ እትመልሱሎም ምእንቲ ኪህልወኩም፡ ብኣና ኽትምክሑ
ምኽንያት ንህበኩም ኣሎና እምበር፡ ከም ብሓድሽ ርእስና ኽነማዕቍበኩም ኣይኰንናን። 13-14
እምብኣርከ ሓደ በጃ ኹሉ ሞተ፡ ስለዚ ኹላቶም ሞቱ፡ ካብ እንብልሲ፡ ፍቕሪ ክርስቶስ ደሪኹና እዩ
እሞ፡ እንተ ተጸለልና፡ ንኣምላኽ፡ ምስ ቀልብና እንተ ኾንናውን፡ ንኣካትኩም ኢና። 15 ድሕሪ ሕጂ
እቶም ዘለዉ ነቲ ምእንትኦም ዝሞተን ዝተንስኤን እምበር፡ ንርእሶም ምእንቲ ኸይነብሩ፡ ንሱ ኣብ ክንዲ
ኹላቶም ሞተ። 16 ደጊም ካብ ሕጂ ብመገዲ ስጋ ንሓደ እኳ ኣይንፈልጦን ኢና፡ ንክርስቶስ ከኣ ምንም
እኳ ብመገዲ ስጋ ፈሊጥናዮ እንተ ኾንና፡ ሕጂ ኸምኡ ጌርና ኣይንፈልጦን ኢና። 17 ስለዚ ሓደ እኳ
ብክርስቶስ እንተ አልዩ፡ ንሱ ሓድሽ ፍጥረት እዩ፡ እቲ ብሉይ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ ኵሉ ሓድሽ ኰይኑ። 18
እዚ ኹሉውን ካብቲ ባዕሉ ብክርስቶስ እተዓርቀና፡ ኣገልግሎት ዕርቂውን ዝሃበና ኣምላኽ እዩ። 19
ማለት፥ ኣምላኽ ንዓለም ምስ ርእሱ ኺዓርቃ ኸሎ፡ ኣብ ክርስቶስ ነበረ እሞ፡ በደሎም ኣይሐዘሎምን፡
ኣባና ኸኣ ቃል ዕርቂ ኣንበረ። 20-21 ስለዚ ንሕና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ልኡኻት ኢና እሞ ኣምላኽ ብኣና
ገይሩ ይምዕድ ኣሎ። ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ
ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዓረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።

## ምዕራፍ 6

1 ጸጋ ኣምላኽ ንኸንቱ ኸይትቕበሉ፡ ንሕና መዓይይቲ ዃንና፡ ንምዕደኩም ኣሎና። 2 ብቕብልቲ ጊዜ
ሰማዕኩኻ፡ ብመዓልቲ ምድሓን ከኣ ረዳእኩኻ፡ ይብል እዩ እሞ፡ እንሆ፡ እታ ቕብልቲ ጊዜ ሕጂ እያ፡
እንሆ፡ እታ መዓልቲ ምድሓን ሕጂ እያ። 3 ኣገልግሎትና ምእንቲ ኸይጽረፍ፡ ንሓደ እኳ ብገለ መዓንቀፊ
ከቶ ኣይንህብን ኢና። 4 ብኹሉ ኸም ኣገልገልቲ ኣምላኽ ርእስና ነርኢ ኣሎና እምበር፡ ብብዙሕ
ትዕግስቲ፡ ብመከራ፡ ብጭንቀት፡ ብጸበባ፡ 5 ብመውቃዕቲ፡ ብማእሰርቲ፡ ብጋሮ፡ ብጻዕሪ፡ ብምንቃሕ፡
ብጾም፡ 6 ብንጽህና፡ ብፍልጠት፡ ብዓቕሊ፡ ብለውሃት፡ ብቕዱስ መንፈስ፡ ተዂላባ ብዜብላ ፍቕሪ፡ 7
ብቓል ሓቂ፡ ብስልጣን ኣምላኽ፡ በጽዋር ጽድቂ ብየማነ ጸጋም፡ 8 ብኽብርን ሕስራንን፡ ብኽፉእ ወረን
ጽቡቕ ወረን፡ ከም መስሓትቲ፡ ግናኸ ሰብ ሓቂ ኢና፡ 9 ከም ዘይተፈለጥና፡ ግናኸ ኣጸቢቕና ፍሉጣት

ኢና፡ ከም ዝሞትና፡ እንሆ ኸኣ፡ ህያዋን ኢና፡ ከም ቅጹዓት፡ ንሞት ግና ኣይተወፈናን፡ [10] ከም ጕሁያት፡
ግናኸ ኵሉ ሳዕ ሕጕሳት ኢና፡ከም ድኻታት፡ ንብዙሓት ግና ነጻጉ ኢና፡ ኵሉ ኸሎናስ፡ ሓንቲ ኸም
ዜብልና ኼንና ንርኤ ኣሎና። [11] ኣቱም ሰብ ቈረንቶስ፡ ኣፍና ንኣካትኩም ክፉት እዩ፡ ልብናውን ገፍሔ። [12]
ኣብ ልብኹም ደኣ እዩ ዝጸበኩም እምበር፡ ኣባናስ ኣይጸበኩምን እዩ። [13] ግናኸ ውሬታ ኽትመልሱ ፦
ከም ንውሉደይ ዝዛረብ ኰይነ እዛረብ ኣሎኹ ፦ ንስኻትኩም ውን ልብኹም ኣግፍሑ። [14] ምስቶም
ዘይኣምኑ ኣብ ሓደ ኣርዑት ኣይትጸመዱ። ማለት፥ ንጽድቅን ሓጢኣትን እንታይ ኣራኺብዎ፤ ወይስ
ንብርሃን ምስ ጸልማት እንታይ ሕብረት ኣልይዎ፤ [15] ክርስቶስከ ምስ ብልያል እንታይ ምስምማዕ ኣለዎ
ወይስ ንኣማኒ ምስ ዘይኣማኒ እንታይ ግደ ኣለዎ፡ [16] ንመቕደስ ኣምላኽከ ምስ ጣኦታት እንታይ ስምምዕ
ኣለዎ፡ ኣምላኽ፤ ኣባታቶም ክነብር ኣባታቶምውን ክመላለስ እየ፡ ኣነ ኣምላኾም ክኸውን እየ፡
ንሳቶምውን ህዝበይ ኪኾኑ እዮም፡ ከም ዝበለ፡ ንሕና ቤተ መቕደስ ህያው ኣምላኽ ኢና። [17] ስለዚ፡ ካብ
ማእከሎም ውጹን ተፈለዩን ርኹስ ኣይትተንከዩን፡ ኣነውን ክቕበለኩም እየ፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ [18] ኣቦ
ድማ እኾነኩም፡ ንስኻትኩምውን ኣወዳትን ኣዋልድን ክትኰኑኒ ኢኹም፡ ይብል እቲ ዅሉ ዚከኣሎ
ጐይታ።

## ምዕራፍ 7

[1] እምብኣርከ፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እዚ ተስፋታት እዚ ካብ ዚህልወናስ፡ ብፍርሃት ኣምላኽ ቅድስና
እናመላእና፡ ካብቲ ስጋን መንፈስን ዜርክስ ዘበለ ዅሉ ርእስና ነንጽህ። [2] ኣብ ልብኹም ስፍራ
ኣርሕቡልና፡ ንሕና ንሓደ እኳ ኣይዓመጽናን፡ ንሓደ እኳ ኣይጐዳእናን፡ ንሓደ እኳ ኣይተበለጽናሉን። [3]
ምሳና ንሙማት ብህይወት ንምንባርን ኣብ ልብና ኸም ዘሎኹምሲ፡ ቅድሚ እዚ ኢለ ኣሎኹ እሞ፡ እዚ
ዝብሎ ዘሎኹ ንበይንኹም ኣይኰንኩን። [4] ኣባካትኩም ብዙሕ ትብዓት ኣሎኒ፡ ትምክሕተይ ብኣካትኩም
ዓብዩ እዩ። ብምጽንናዕ መሊኤ ኣሎኹ፡ ብጸበባና ዘበለ ዅሉውን ሓጐሰይ ዕዙዝ እዩ። [5] ናብ መቄዶንያ
ምስ በጻሕና ድማ፡ ካብ ወጻኢ ውግእ፡ ኣብ ውሽጢውን ፍርሃት ነበረና እሞ፡ ብዅሉ ጨነቕና እምበር፡
ስጋና እኳ ዕረፍቲ ኣይረኸበን። [6] እቲ ንጥቑዓት ዜጸናንዕ ኣምላኽ ግና ብምምጻእ ቲቶስ ገይሩ ኣጸናንዓና።
[7] ግናኸ ንሱ ናፍቖትኩምን ብኽያትኩምን ቅንኣትኩምን ምእንታይ ምስ ኣዘንተወልና፡ በቲ ንሱ
ብኣኻትኩም እተጸናንዖ ምጽንናዕ ድማ እምበር፡ ብምምጽኡ ጥራይ ኣይኰንኩን ኣዝየ እተሐጐስኩ። [8]
በታ ደብደበይ ኣጕህየኩም እንተ ኾንኩ እኳ፡ ተጥዒሰ ኽነሰይ ኣይጠዓስን እየ። እታ ደብደበ እቲኣ፡
ንጊዜኡ ጥራይ እንተ ኾነ እኳ፡ ከም ዘጕሃየትኩም እርኢ ኣሎኹ እሞ፡ [9] ካባና ገለ ጕድኣት ምእንቲ
ኸይትረኽቡስ፡ ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኢኹም ዝጐሄኹም፡ ንንስሓ ስለ ዝጕሄኹም እምበር፡ ሕጂ ስለ
ዝጕሄኹም ኣይኰንኩን ዝሕጐስ ዘሎኹ። [10] ማለት፥ ጓሂ ኸም ፍቓድ ኣምላኽሲ ንምድሓን ዚኸውን
ዘይትጠዓሰሉ ንስሓ የምጽእ፡ ጓሂ ዓለም ግና ሞት እዩ ዜምጽእ። [11] እንሆ፡ እዚ ኸም ፍቓድ ኣምላኽ
ዝጕሄኹምዎ ኽንደይ ጻዓት ዘየምጽኣልኩም፡ ክንደይ ምምጽራይ፡ ክንደይ ምንጽርጻር፡ ክንደይ ፍርሃት፡
ክንደይ ናፍቖት፡ ክንደይ ቅንኣት፡ ክንደይ መግናሕቲ ዘየምጽኣልኩም። በዚ ነገርዚ ብዅሉ ንጹሃት
ምዃንኩም ርእስኹም ኣርኤኹም። [12] እምብኣርሲ እንተ ጸሐፍኩልኩም ከኣ፡ እቲ ጻዓትኩም ስሌና
ኣባኻትኩም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ምእንቲ ኪግሃድ እምበር፡ ስለ በዳሊ ወይስ ስለ ተበዳሊ ኢለ
ኣይኰንኩን ዝጸሐፍኩ። [13] ስለዚ ድማ ተጸናናዕና። ኣብ ርእሲ እዚ ምጽንናዕና ድማ ብሓጐስ ቲቶስ፡
መንፈሱ ብዅላትኩም ስለ ዝቐሰነ፡ ብዙሕ ኣዚና ተሐጐስና። [14] ኣብ ቅድሚኡ ብዛዕባኹም ብገለ

ተመኪሖ እንተ ኾንኩ እኳ፡ ከምቲ ዅሉ ብሓቂ ዝነገርናኩም፡ ከምኡውን እቲ ትምክሕና ኣብ ቅድሚ
ቲቶስ ሓቂ ኾይኑ ተረኺቡ እዩ እሞ፡ ኣይሐፈርኩን። 15 ከመይ ጌርኩም ብፍርሃት ራዕራዕ ብምባልን
ከም እተቐበልኩምዎ፡ ምእዛዝ ኵላትኩም እናዘከረ፡ ልቡ ኣዝዩ ናባካትኩም ኣቕሊቡ ኣሎ። 16 ብዅሉ
ኣባኻትኩም እሙንቶ ኣላትኒ እሞ ሕጉስ እየ።

# ምዕራፍ 8

1 ኣሕዋተየ፡ እቲ ኣብተን ማሕበራት መቄዶንያ እተዋህበ ጸጋ ኣምላኽ ነፍልጠኩም ኣሎና፡ 2-3 ከም
ዓቕሞምን ሓለፋ ዓቕሞምን ባዕላቶም ፈትዮም ከም ዝሃቡ፡ እምስክረሎም ኣሎኹ እሞ፡ ብብዙሕ ጸበባ
ተመኪሮም፡ ሓላፋ ሓጐሶምን ጥልቂ ዝኾነ ድኽነቶምን ንምብዛሕ ልግሶም ኣዝዩ ዓዘዘ። 4 ነዚ ጸጋ እዝን
ንሕብረት ምግልጋል ቅዱሳንን ብብዙሕ ልማኖ እናለመኑና፡ 5 ብፍቓድ ኣምላኽ ቅድም ንጐይታ ድሕሪኡ
ኸኣ ንኣና ርእሶም ወፈዩ እምበር፡ ከምቲ ንሕና ተስፋ ዝገበርናዮ ጥራይ ኣይኰነን እሞ፡ 6 ንቲቶስ፡ ከምቲ
ቐድም ዝጀመሮ ኸምኡ ኸኣ እዚ ጸጋ እዚ ኣባካትኩምውን ኪፍጽም፡ ምዒድናዮ ኣሎና። 7 ግናኸ
ብዅሉ፡ ብእምነትን ብቓልን ብፍልጠትን ብጻዓት ዘበለን ብፍቕርኹም ንኣናውን ከም ዝዓዘዝኩም፡ በዚ
ጸጋ እዚ ኸኣ ዕዙዛት ንምኳን ተጠንቀቑ። 8 እዚ ዝብለኩም ዘሎኹ ኸኣ ብጻዓት እቶም ካልኦት ነቲ
ምጽራይ ፍቕርኹም ምእንቲ ኽዕዘብ እየ እምበር፡ ከም ትእዛዝ ገይረ ኣይኰንኩን። 9 ጸጋ ጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡ ንስካትኩም በቲ ድኽነቱ ምእንቲ ኽትህብትሙ፡ ሃብታም ክነሱስ፡
ምእንታኻትኩም ደኸየ። 10 እዚ ይጠቕመኩም እዩ እሞ፡ በዚ ድማ ምኽሪ እህበኩም ኣሎኹ፡
ንስካትኩም ንፍቓድ ድማ እምበር፡ ንምግባር ጥራይ ኣይኰንኩምን ካብ ዓሚ ሒዝኩም ቅድም
ዝጀመርኩም። 11 ሕጂ ኸኣ ከምቲ ንፍቓድ ተዳሊኹም ዝነበርኩምዎ፡ ከምኡ ጌርኩም ከም ዓቕምኹም
ንምፍጻምውን ብግብሪ ፈጽሙ። 12 ፍቓድ ልቢ እንተ አልዩስ፡ በቲ ዘልዎ መጠን ቅቡል እዩ እምበር፡
ብዜብሉ ኣይኰነን። 13 ምእንቲ ማዕረ ማዕረ ኪኸውን ማለተይ እየ እምበር፡ ንኻልኦትን ራህዋ፡
ንኣኻትኩምን ጸበባ ምእንቲ ኪኸውን ኢለ ኣይኰንኩን። 14-15 ከመዮ፤ ብዙሕ ዝኣከበ ኣየትረፈን፡ ሒደት
ዝኣከበውን ኣየጕደለን፡ ዚብል ጽሑፍ ዘሎ፡ ኣብዚ ዘመን እዚ ሕጂ እቲ ተረፍኩም ነቲ ጐደሎኦም
ኪምልእ፡ እቲ ተረፎም ከኣ ነቲ ጐደሎኹም ኪምልእ፡ እሞ ማዕረ ማዕረ ምእንቲ ኪኸውን እየ እዚ
ዝብል ዘሎኹ። 16-17 ግናኸ ቲቶስ ምዕዶና ሰሚዑ፡ በዓል ጻዓት ኰይኑ እዩ ብገዛእ ፍቓዱ ናባካትኩም
ዝኸደ እሞ፡ ስለዚ ነቲ ምእንታኹም ኢሉ፡ ኣብ ልቢ ቲቶስ እዛ ጻዓት እዚኣ ዝሕደረ ኣምላኽ ስብሓት
ይኹኖ። 18 ምስኡውን ነቲ ኣብ ኵላተን ማሕበራት ብወንጌል እተናእደ ሓዉ ሰዲድና ኣሎና። 19
እግዚኣብሄር ምእንቲ ኪኸብርን፡ ፍቓድ ልብና ምእንቲ ኺርኤን በቲ ንሕና እነገልግሎ ዘሎና ጸጋ ንሱ
ምሳና ኺዘውር ኢለን፡ እተን ማሕበራት ሐረያኦ እምበር፡ እዚ ጥራይ ኣይኰነን። 20-21 ኣብ ቅድሚ ሰብ
ከኣ እምበር፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ጥራይ ዘይኰነ፡ ንሰናይ ዘበለ ኢና እንሐሊ ዘሎና እሞ፡ ብዛዕባ
እቲ ብኣገልግሎትና እተዋጽኤ ብርኩት ገንዘብ ሓደ እኳ ምእንቲ ኸይነቕፈና፡ ንጥንቀቐሉ ኣሎና። 22
ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ ነገርን ጻዓት ከም ዘለዎ ዝመርመርናዮ፡ ሕጂውን ኣባኻትኩም ብዙሕ እምነት ስለ
ዘለዎ፡ እቲ በዓል ዓብዪ ጻዓት ሓውና ምሳታቶም ሰዲድናዮ ኣሎና። 23 ብዛዕባ ቲቶስ እንተ ኾነ ኸኣ፡
ንኣይ ብጻየይ ኣባካትኩምውን መዓይይተይ እዩ፡ እቶም ኣሕዋትና እንተ ኾኑውን፡ ልኡኻት ማሕበርን
ክብሪ ክርስቶስን እዮም። 24 እምብኣርሲ ምግሃድ ፍቕርኹምን ትምክሕትና ብኣኻትኩምን ኣብ ቅድሚ
እተን ማሕበራት ንኣታቶም ኣርእይዎም።

# ምዕራፍ 9

1-2 ኣካይያ ካብ ዓሚ ጀሚራ ኸም እተዳለወትን ብኣኻትኩም ኣብ መቄዶናውያን ዝሕበነሉ ፍቓድ
ልብኹምን ቅንኣትኩምን ንብዙሓት ሰብ ከም ዝሰሐለትን፡ እፈልጥ እየ እሞ፡ ብዛዕባ ኣገልግሎት ነቶም
ቅዱሳንሲ ኽጽሕፈልኩም ኣየድልየንን እዩ። 3 ትምክሕትና ብኣካትኩም በዚ ተግባር እዚ ኸንቱ ምእንቲ
ኸይከውን ግና፡ ከምቲ ዝበልክዎ፡ ተዳሊኹም ክትጸንሑ፡ ነቶም ኣሕዋት ልኢኸዮም ኣሎኹ። 4 እንተ
ዘይኰነስ፡ መቄዶናውያን ምሳይ እንተ መጹ፡ ከይተዳሎኹም እንተ ረኺቡኹም፡- ንስኻትኩም
ከይንብልሲ፡- ንሕና በዚ እሙንቶና ኸይንሐፍር ኢለ ለኣከክዎም። 5 እምብኣርሲ ነቲ ቕድም
ዘተስፈኩምዎ በረኸት፡ ንሱ ኸም ብቒ ዘይኰነስ፡ ከም በረኸት ተዳልዩ ኺጸንሕ፡ ነቶም ኣሕዋት
ቅድሚት ናባኻትኩም ሐሊፎም ኬዳልዉ ኽምዕዶም ብግዲ ኾነኒ። 6 ግናኸ እዚ እብል ኣሎኹ፡ እቲ
ቈጢቡ ዚዘርእ ቈጢቡ ይዓጽድ፡ እቲ ብበረኸት ዚዘርእ ግና ብበረኸት እዩ ዚዓጽድ። 7 ኣምላኽ ሕጉስ
ወሃቢ እዩ ዚፈቱ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ብጓሂ ወይስ ብግዲ ዘይኰነስ፡ ከምቲ ብልቡ ዝሐለኖ ይሃብ፡ 8-9
ከምቲ እቲ ጽሑፍ፡ ዘረወ ንድኻታትውን ሃበ፡ ጽድቁ ንዘለኣለም ይነብር፡ ዚብሎ፡ ኣምላኽ ከኣ፡ ምእንቲ
ብዅሉ ዅሉ ሳዕ ዚኣክል ኵሉ ሒዝኩም ንሰናይ ግብሪ ዅሉ ጸብለል ክትብሉ፡ ጸጋ ዘበለ ኣባካትኩም
ጸብለል ኬብል ይከኣሎ እዩ፡ 10 ግናኸ እቲ ንዘራኢ፡ ዘርእን ምግቢ ዚኸውን እንጌራ ዚዕድል፡ ንሱ
ዘርእኹም ኪዕድለኩምን ኬበርከተልኩምን፡ ንፍረ ጽድቕኹምውን ኬብቍሎን እዩ፡ 11 ንስካትኩም ከኣ
ብዅሉ በቲ ብኣታትና ገይሩ ንኣምላኽ ምስጋና ዚዓዪ ልግሲ ኽትህብትሙ ኢኹም። 12 እቲ ኣገልግሎት
እዚ ግብሪ እዚ ብብዙሕ ምስጋና ንኣምላኽ ጸብለል ይብል እምበር፡ ጒደሎ እቶም ቅዱሳን ጥራይ
ኣይኰነን ዚምልእ፡ 13 ንሳቶም ብምጽራይ እዚ ኣገልግሎት እዚ ንምእማን ወንጌል ክርስቶስ ስለ
እተገዛእኩም፡ ስለቲ ንኣታቶምን ንዅሉን ዚኸውን ልግሲ ሐገዝኩም ንኣምላኽ የመስግኑ እዮም። 14
ንሳቶምውን ስለቲ ኣባካትኩም ዘሎ ማእለያ ዜብሉ ጸጋ ኣምላኽ ምእንታኻትኩም እናጸለዩ ይናፍቑኹም
እዮም። 15 ስለቲ ዘይንገር ውህበት ንኣምላኽ ስብሓት ይኹኖ።

# ምዕራፍ 10

1 ኣነ ምሳኻትኩም ከሎኹ፡ ኣብ ገጽን ያኢ ዝትሑት፡ ምስ ረሓቕኩ ግና ኣባኻትኩም ዝተብዕ፡ ኣነ
ጳውሎስ ባዕለይ ብዓቕሊ ክርስቶስን ብለውሃቱን እምዕደኩም አሎኹ፡ 2 ግናኸ ኣብቶም ንሕና ኸም ስጋ
ኸም እንመላለስ ዚቈጽሩና ገሊኣቶም፡ በቲ ምሳካትኩም ኲይነ ኽደፍሮም ኢለ ዝህቅኖ እሙንቶ
ኽደፍር ግዲ ኸይኰነኒ እልምነኩም ኣሎኹ። 3 ብስጋ እንመላለስ ክነስና እኳ፡ ከም ስጋስ ኣይንዋጋእን
ኢና። 4 ኣጽዋር ውግእና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንምፍራስ ጽኑዕ ዕርድታት ብርቱዕ እዩ እምበር፡ ስጋዊ
ኣይኰነን፡ 5 ብእኡ ኽኣ ሓሳባትን ምስ ፍልጠት ኣምላኽ ንዚጻላእ ልዕል ዝበለ ነገር ኵሉን እናፍረስና፡
ኵሉ ኣእምሮውን ንምእዛዝ ክርስቶስ ንማርኸሉ ኢና። 6 ምእዛዝኩም ምስ ተፈጸመውን፡ ነቲ ዘይምእዛዝ
ዘበለ ኵሉ ኽንቀጽዖ ተዳሊና ኣሎና። 7 ንስኻትኩምሲ ኣብ ቅድሚ ገጽኩም ዘሎ ትጥምቱ፡ ሓደ እኳ
ብርእሱ ናይ ክርስቶስ ምዃኑ ዚኣምን እንተ ኾነ፡ ከምቲ ብርእሱ ናይ ክርስቶስ ከም ዚኸውን፡
ንሕናውን ከምኡ ኸም ዘሎና፡ ከም ብሓድሽ ብርእሱ የስተብህል። 8 በቲ ጐይታ ንምህናጽኩም እምበር፡
ንምፍራስኩም ዘይኰነ ዝሃበና ስልጣን እኳ ኣብሊጸ እንተ ተመካሕኩ፡ ኣነ በዚ ኣይሐፍርን እየ። 9-10 ገለ
ሰብ፥ እተን ደብዳቤታቱ ኽበድትን ጽኑዓትን እየን፡ ባዕሉ ምሳና ኽሎ ግና ድኹም እዩ፡ ዘረባኡውን
ንዑቕ እዩ፡ ይብል እዩ እሞ፡ በተን ደብዳቤታተይ ከስምብደኩም ከም ዝደሌኹ ኸይመስል እየ እዚ

ዝብል ዘሎኹ። 11 እቲ ኸምዚ ዚብል፡ ከምቲ ኣብ ርሑቕ ከሎና ብቓል ደብዳቤታትና፡ ኣብኡ ኸሎናውን
ብግብሪ ኸምኡ ምዃንና ይሕሰብ። 12 ምስቶም ገለ፡ ባዕላቶም ንርእሶም ዚንእዱ፡ ርእስና ኽንቈጽር
ወይስ ከነመዓራሪ ኣይንደፍርን ኢና። ግናኸ ንሳቶም ባዕላቶም ብነፍሶም ርእሶም ካብ ዚልክዑ፡
ብነፍሶምውን ንርእሶም ካብ ዜመዓራርዩስ፡ ኣእምሮ የብሎምን። 13 ንሕና ግና፡ ናባኻትኩም ክሳዕ
እነርክብ እኳ፡ በቲ ኣምላኽ ዝሃበና ደረት መለክዒ መስፈር እምበር፡ ብዘይ ልክዕ ኣይንምካሕን ኢና። 14
ናባኻትኩም ከም ዘይበጻሕናስ፡ ባዕላትና እምብዛ ኣይንማጣጠርን ኢና፡ ብወንጌል ክርስቶስሲ ኽሳዕ
ናባካትኩም እኳ በጺሕና ኣሎና። 15 ብጻማ ኻልኦት ብዘይ ዓቕን ኣይንምካሕን ኢና እሞ፡ እምነትኩም
እናዓበየት ምስ ከደት ግና፡ ከም ዓቕምና ንምውሳኽ ኣባኻትኩም ከም እንዓቢ ተስፋና እዩ። 16 ኣብቲ
ኻልኦት ዘዳለውዎ ሰበኻ ኣቲና ኽይንምካሕሲ፡ ኣብቲ ኽንዮውኩም ዘሎ ሃገር ወንጌል ክንሰብኽ ኢና።
17-18 እቲ እግዚኣብሄር ዚንእዶ እምበር፡ እቲ ንርእሱ ዚንእድ ኣይኰነን ተፈቲኑ ዚወጽእ። ስለዚ እቲ
ዚምካሕ ብእግዚኣብሄር ደኣ ይመካሕ።

## ምዕራፍ 11

1 ገለ ቕሩብ ዕሽነት ክትዕገሱኒ ምደሌኹ፡ እስኪ ተዓገሱኒ ደኣ። 2 ብቕንኢ ኣምላኽ እቐንኣልኩም እየ
እሞ፡ ንጽህቲ ድንግል ንክርስቶስ ምእንቲ ከቕርበኩም፡ ንሓደ ሰብኣይ ኣሕጽየኩም እየ። 3 ግናኸ ከምቲ
ተመን ብጒርሑ ንሄዋን ዘስሐታ፡ ከምኡውን ሓሳብኩም ካብቲ ናብ ክርስቶስ ዚኸውን ገርህነትን
ንጽህናን ምናልባሽ ከይጥፍእ እፈርህ ኣሎኹ። 4 ስለዚ ሓደ እኳ፡ ንሕና ዘይሰበኽናዮ፡ ካልእ የሱስ እንተ
ሰቢኹ፡ ወይስ ንስካትኩም ዘይተቐበልኩምዎ ኻልእ መንፈስ እንተ ተቐበልኩም፡ ወይስ ዘይረኸብኩምዎ
ኻልእ ወንጌል እንተ መጻኩም፡ ጽቡቕ ትዕገስዎ ኣሎኹም። 5 ኣነ ካብቶም ኣዝዮም ብሉጻት ሃዋርያ
ብሓንቲ እኳ ዝሐምቕ ኣይመስለንን። 6 ብዘረባ እኳ ዓሻ እንተ ዀንኩ፡ ብፍልጠትሲ ኸምኡ ኣይኰንኩን፡
ግናኸ ብዅሉን ኣብ ኵሉን ኣባኻትኩም ግሁዳት ኢና። 7 ወይስ ንስኻትኩም ምእንቲ ልዕል ክትብሉ ኢለ
ርእሰይ ኣትሒተ ወንጌል ኣምላኽ ብኸምኡ እንተ ሰበኽኩልኩምዶ ሓጢኣት ገይረ እየ፧ 8 ንኣኻትኩም
ምእንቲ ኸገልግል ኢለ እየ፡ ኻባታተን ዓስቢ እናተቐበልኩ፡ ነተን ካልኦት ማሕበራት ዝበዝበዝክወን። 9
ምሳኻትኩም ከሎኹ ኸኣ ምስ ሰኣንኩ፡ ካብ መቄዶንያ ዝመጹ ኣሕዋት መሊኦምለይ እሞ፡ ኣብ ሓደ እኳ
ኣየኽበድኩን። ብዅሉ ድማ ርእሰይ ኸየኽብደልኩም እጥንቀቕ ኣሎኹ ኽጥንቀቕውን እየ። 10 ከምቲ ናይ
ክርስቶስ ሓቂ ኣባይ ዘሎ፡ እዚ ትምክሕተ እዚ ኣብ ሃገር ኣካይያ ዜሕድገኒ የልቦን። 11 ስለምንታይ፧ ኣነ
ስለ ዘየፍቅረኩም ድዩ፧ ኣምላኽ ይፈልጥ። 12 ግናኸ በቲ ዚምክሑሉ ኸማና ዀይኖም ምእንቲ ኺርከቡ፡
ነቶም ምኽንያት ዚደልዩ ምኽንያት ምእንቲ ክኸልኦም ኢለ፡ እቲ ዝገብሮ ኽገብሮ እየ። 13 ከምዚኣቶም
ዝበሉ ሰባት ከኣ ሃዋርያት ሓሶት፡ ዚጥብሩ ዓየይቲ፡ ርእሶም ንሃዋርያት ክርስቶስ ዜምስሉ እዮም። 14
ሰይጣን እኳ ንርእሱ ንመልኣኽ ብርሃን የምስል እዩ እሞ፡ እዚ ኣየገርምን እዩ። 15 ስለዚ ኸኣ እቶም
ኣገልገልቱ ንርእሶም ነገልግልቲ ጽድቂ እንተ ኣምሰሉ፡ ዓብዩ ነገር ኣይኰነን፡ መወዳእታኦም ግና ከም
ግብሮም ኪኸውን እዩ። 16 ከም ብሓድሽ ከኣ እብል ኣሎኹ፡ ሓደ እኳ፡ ዓሻ ኸም ዝዀንኩ፡ ኣይምሰሎ።
እንተ ዘይኰነስ፡ ኣነውን ገለ ቕሩብ ምእንቲ ኽምካሕ፡ ከም ዓሻ ጌርኩም ተቐበሉኒ። 17 እዚ በዚ እሙንቶ
ትምክሕቲ ዝብሎ ዘሎኹ፡ ከም ብዕሽነት እምበር፡ ብእግዚኣብሄር ኣይኰንኩን ዝብል ዘሎኹ። 18
ብዙሓት ከም ስጋ ኻብ ዚምክሑ፡ ኣነውን ክምካሕ እየ። 19 ንስኻትኩም ለባማት ስለ ዝዀንኩም፡ ነቶም
ዓያሱ ብታሕጓስ ትዕገስዎም ኣሎኹም። 20 ሓደ ኸም ባርያ እንተ ገበረኩም፡ ሓደ እንተ ወሓጠኩም፡ ሓደ

እንተ ሐዘኩም፡ ሓደ እንተ ኈርዓልኩም ሓደ ገጽኩም እንተ ጸፍዓኩም፡ ትዕገስዎ ኢኹም። 21 ንሕና
ድኹማት ኳንና ኸም ዝነበርና፡ ብናይ ውርደት እብል ኣሎኹ፡ ግናኸ በቲ ሓደ ካልእ ዚደፍረሉ፡-
ብዕሽነት እየ ዝብል ዘሎኹ፡- ኣነውን እደፍር እየ። 22 እብራውያን ድዮም፧ ኣነ ኸኣ። እስራኤላውያን
ድዮም፧ ኣነ ኸኣ። ዘርኢ ኣብርሃም ድዮም፧ ኣነውን እየ። 23 ኣገልገልቲ ክርስቶስ ድዮም፧ከም ጽሉል እየ
ዝዛረብ ዘሎኹ፡ኣነ እበልጾም እየ። ብጻዕሪ ሕልፊ ዘሎኒ፡ ብማእሰርቲ ሕልፊ ዘሎኒ፡ ብመውቃዕቲ
ጸብለል ዝበልኩ፡ ብዙሕ ጊዜ ኣብ ሞት ዝበጻሕኩ እየ። 24 ብኣይሁድ ሓሙሽተ ጊዜ ነርብዓስ ሓደ ጐደል
ተገሪፈ። 25 ሰለስተ ሳዕ ብሽመል ተዘቢጠ፡ ሓደ ሳዕ በእማን ቀጥቀጡኒ፡ ሰለስተ ሳዕ እታ ዝነበርክዋ
መርከብ ተሰብረት፡ ለይትን መዓልትን ኣብቲ መዓሙቕ ባሕሪ ሓዲረ ወዓልኩ። 26 ብዙሕ ጊዜ ኣብ
መገሻታት ነይረ፡ ኣብ ርባታት ብፍርሃት፡ ካብ ከተርቲ ብፍርሃት፡ ካብ ደቂ ዓደይ ብፍርሃት፡ ካብ
ኣህዛብ ብፍርሃት፡ ኣብ ከተማ ብፍርሃት፡ ኣብ በረኻ ብፍርሃት፡ ኣብ ባሕሪ ብፍርሃት፡ ኣብ ማእከል
ኣሕዋት ሓሶት ብፍርሃት እየ ዝነበርኩ። 27 ብዕዮን ብጻዕርን፡ ብዙሕ ጊዜ ብምንቃሕ፡ ብጥሜትን
ብጽምእን፡ ብዙሕ ጊዜ ብጾም፡ ብቝርን ብዕርቃንን ነይረ። 28 ኣብ ልዕሊ እዚ ኣብ ወጻኢ ዘሎ ኹሉ ነገር
እቲ ኣብ ጸጽባሕ ዚጸበኒ፡ ማለት ብዛዕባ እቲ ብዅላተን ማሕበራት ዝሓልዮ ዘሎኹ ሓልዮት እዩ። 29
መን እዩ ዚደክም፡ ኣነ ዘይደኽመሉ፧ መን እዩ ዚዕንቀፍ፡ ኣነ ኸኣ ዘይነድድ፧ 30 ክምካሕ ዜድልየኒ እንተ
ኾይኑስ፡ ኣነ ብናይ ድኻመይ ክምካሕ እየ። 31 እቲ ንዘለኣለም ብሩኽ ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ
ክርስቶስ፡ ኣነ ኸም ዘይሐሱ፡ ንሱ ይፈልጥ እዩ። 32 ኣብ ደማስቆ እቲ ናይ ንጉስ ኣሬጣስ ምስለኔ ኺሐዘኒ
ደልዩ፡ ነታ ኸተማ ሰብ ደማስቆ ኣሐለዋ፡ 33 እሞ ኣብ ከፈር ገይሮም ብመስኰት እቲ ቐጽሪ ኣውረዱኒ፡
ካብ ኢዱውን ኣምለጥኩ።

## ምዕራፍ 12

1 ክምካሕ ዘይጠቕመኒ ኸነሱስ፡ ብግዲ የድልየኒ እዩ፡ ሕጂ ግና ናብ ራእይን ናብ ምግላጽ ጐይታን
እሐልፍ ኣሎኹ። 2 ቅድሚ ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት ሓደ ሰብኣይ ብክርስቶስ፡ እዚ ኸምዚ ዝበለ ኽሳዕ
ሳልሳይ ሰማይ ከም እተዘረፈ፡ እፈልጥ ኣሎኹ፡- ኣብ ስጋ ምንባሩ ኣይፈልጥን፡ ኣብ ወጻኢ ስጋ ምንባሩ
ኣይፈልጥን፡ ኣምላኽ ይፈልጥ። 3 ብናይ እዚ ኸምዚ ዝበለ ሰብኣይ፡- ኣብ ስጋ ምንባሩ ወይስ ኣብ ወጻኢ
ስጋ ምንባሩ ኣይፈልጥን እየ፡ ኣምላኽ ይፈልጥ፡ 4 ናብ ገነት ከም እተዘረፈ እሞ፡ ሰብ ኪዛረቦ
ዘይተፈቕደሉ፡ ዘይንገር ዘረባውን ከም ዝሰምዔ፡ እፈልጥ እየ። 5 በዚ ኸምዚ ዘመሰለ ሰብኣይ ክምካሕ
እየ፡ ብናይ ርእሰይ ግና፡ ብድኻመይ እንተ ዘይኰይኑ፡ ኣይክምካሕን እየ። 6 ክምካሕ እንተ ዝደልስ፡ ሓቂ
ምተዛረብኩ እሞ፡ ኣይምዓሾኹን ነይረ፡ ግናኸ ሓደ እኳ ሓለፉ እቲ ዚርእየለይ ዘሎን ወይስ ሓለፉ እቲ
ኻባይ ዚሰምዖን ከይሐስበኒ፡ ሸለል ኢለ እሐድጎ ኣሎኹ። 7 ብምኽንያት እቲ ኣዝዩ ብሉጽ ራእይ እምብዛ
ምእንቲ ኸይዕበ ኸኣ፡ ኣብ ስጋይ ግራጭ ተዋህበኒ፡ እምብዛ ምእንቲ ኸይዕበ፡ መልኣኽ ሰይጣን ኪስቅየኒ
ተዋህበኒ። 8 እዚ ኻባይ ኪርሕቕ፡ ብዛዕባዚ ንጐይታ ሰለስተ ሳዕ ለመንክዎ፡ 9 ንሱ ኸኣ፡ ሓይለይ ብድኻም
እዩ ዝፍጸም እሞ፡ ጸጋይ ይኣኽለካ፡ በለኒ። ስለዚ ሓይሊ ክርስቶስ ኣብ ልዕለይ ምእንቲ ኺሐድር፡
ብብዙሕ ታሕጓስ ብድኻመይ ክምካሕ እየ። 10 እምብኣርከ ምስ ዝደክም፡ ሽዑ እየ ዝብርትዕ እሞ፡
ምእንቲ ክርስቶስ ኢለ ብድኻም፡ ብጸርፊ፡ ብሓሳር፡ ብምስጓጕ፡ ብጸበባ እሕጐስ እየ። 11 ምናምን እኳ
ኸነሰይ፡ ካብቶም ኣዝዮም ብሉጻት ሃዋርያት ኣይሐመቕኩን እሞ፡ ንስኻትኩም ግዳ ኸትንእዱኒ
ምተገብኣኩም ነይሩ። ኣነ ዓሸየ፡ ግናኸ ንስካትኩም ኢኹም ግዲ ዝበልኩምኒ። 12 ትእምርትታት ሃዋርያስ

ብትእምርትታትን ብተኣምራትን ብግብሪ ሓይልታትን ኣባኻትኩም ብዅሉ ትዕግስቲ ተገብረ። 13 ብዘይ
እቲ ኣነ ባዕለይ ዘየኽበድኩልኩም ምኽን እንተ ዘይኰይኑስ፡ ካብተን ካልኦት ማሕበራት ዝጐደልኩምሉ
እንታይ እዩ፡ እዛ በደል እዚኣ ይቕረ በሉለይ። 14 እንሆ፡ ናባኻትኩም ክመጽእ ካብ ዝዳሎ እዚ ሳልሳየይ
እዩ፡ ኣነውን ንኣካትኩም እምበር፡ ንገንዘብኩም ኣይኰንኩን ዝደሊ ዘሎኹ። ወለዲ ደኣ ንውሉዶም
እምበር፡ ውሉድ ንወለዶም መዝገብ ኪዘግቡ ግቡእ ኣይኰነን እሞ፡ ኣነ ኣይክብደልኩምን እየ። 15
ብመጠን እቲ ኣነ ኣዕዚዘ ዘፍቅረኩምዶ፡ ንስኻትኩም ኣጕዲልኩም ተፍቅሩኒ አሎኹም፧ ኣነ ኣብ ክንዲ
ነፍሳትኩም ብብዙሕ ታሕጓስ ኵሉ ወፍየልኩም ነፍሰይውን ክውፍየልኩም እየ። 16 እስከ ዝኾነ ይኹን፡
ብብልሓት ይኣይ እየ ጠቢረ ዝሐዝኩኹም እምበር፡ ኣነ ኣየኽበድኩልኩምን። 17 በቶም ናባካትኩም
ዝለኣኽክዎም ገይረዶ ገለ ተበሊጸልኩም እየ፧ 18 ንቲቶስ ለሚነዮ፡ ምስኡውን ነቲ ሓደ ሓው ሰዲደዮ።
ቲቶስ ደኾን ተበሊጹልኩም ኰይኑ፧ ብሓደ መንፈስዶ ኣሰኣሰር ሓደ ኣይተመላለስናን፧ 19 ንርእሰና
ኣባኻትኩም ከም እነመጻርያ ካብ ቀደም ሒዝኩም ትሐስቡ ኤርኩም። ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብክርስቶስ
ኢና እንዛረብ ዘሎና። ግናኸ፡ ኣቱም ፍቑራተይ፡ ኵሉ ንምህናጽኩም እዩ። 20 ክመጽእ ከሎኹ፡ምናልባሽ
ከምቲ ኣነ ዘይደሌኽዎ ኼንኩም፡ ከይረኽበኩም፡ ንኣይውን ከምቲ ዘይትደልይዎ ኹይነ ኸይትረኽቡኒ፡
ምናልባሽ ባእሲ፡ ቅንኢ፡ ኵራ፡ ሻራ፡ ሕሜት፡ ሕሽኹሽኹ፡ ምንፋሕ፡ ህውከት ከይህልወኩም እፈርህ
ኣሎኹ። 21 ክምለስ ከሎኹ፡ ኣምላኽይ ኣብ ቅድሜኹም ከየዋርደኒ፡ ኣነውን በቶም ቀደም ሓጢኣት
ዝገበሩ እሞ ካብቲ ዝገበርዎ ርኽሰት ምንዝርን ዕብዳንን ዘይተነስሑ ብዙሓት ከይጕሂ፡ እፈርህ ኣሎኹ።

## ምዕራፍ 13

1 እዚ ምምጽኤይ ኣባኻትኩም ሳልሳይ ጊዜ እዩ። ዘረባ ዘበለ ብኣፍ ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር እዩ
ዚቐውም። 2-3 ክርስቶስ ናባኻትኩም ብርቱዕ እዩ እምበር፡ ናባኻትኩም ድኹም ኣይኰነን እሞ፡ በቲ
ኣባይ ዚዛረብ ክርስቶስ ምስክር ከም እትደልዩ ርእየ፡ ከምቲ ኻልኣይ ጊዜ ምሳኻትኩም ከሎኹ ዝበልክዎ
ሕጂውን ካባኻትኩም ርሒቐ ኸሎኹ፡ ናባኻትኩም እንተ ተመለስኩ፡ ነቶም ቅድም ዝኣበሱን ነቶም
ዝተረፉ ኹላቶም ከም ዘይድንግጸሎም፡ ቀደም ነጊረ እየ፡ ኣቐዲመውን እነግር ኣሎኹ። 4 ክርስቶስ
ብድኻም ተሰቒሉ፡ ብሓይሊ ኣምላኽ ህያው ኰይኑ ይነብር እዩ። ንሕናውን ኣብኡ ድኹማት ኢና፡ በቲ
ኣባኻትኩም ዝኾነ ሓይሊ ኣምላኽ ግና ምስኡ ህያዋን ኰንና ክንነብር ኢና። 5 ብእምነት እንተ አሊኹም፡
ርእስኹም ፈትኑ፡ ርእስኹም መርምሩ። ወይስ የሱስ ክርስቶስ ኣባካትኩም ከም ዘሎዶ ብርእስኹም
ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ እዚ እንተ ዘይኰነስ፡ መኸታ ዘይተጽንዑ ኢኹም። 6 ንሕና ግና፡ መኸታ
ዘየጽንዑ ኸም ዘይኰንና ኽተፈልጡ፡ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 7 ከቶ ኽፉእ ከይትገብሩ፡ ናብ ኣምላኽ
ንልምን አሎና። ንሕና እኳ መኸታ ኸም ዘይነጽንዕ እንተ ኾንና፡ ምእንቲ ንስኻትኩም ሰናይ ክትገብሩ
እምበር፡ ንሕና መኸታ ምእንቲ እነጽንዕ መሲልና ኽንርኤ ኣይኰነናን። 8 ንሕና ንሓቂ እምበር፡ ምስ ሓቂ
ዚጻረር ገለ እኳ ክንገብር ኣይከኣለናን እዩ። 9 ንሕናን እንተ ደኸምና፡ ንስካትኩምን እንተ በርታዕኩም
ኢና እንሕጐስ፡ እዚውን፡ ምሉኣት ክትኰኑ፡ ንጽሊ ኣሎና። 10 ምእንትዚ በቲ ንምህናጽ እምበር፡
ንምፍራስ ዘይኰነ፡ ጐይታ ዝሃበኒ ስልጣን ምስ መጻእኩ፡ ጨኪነ ኸየበርትዓልኩም፡ ርሑቕ ከሎኹ
እጽሕፈልኩም አሎኹ። 11 ብዝተረፈስ፡ ኣሕዋተየ፡ ተሐጐሱ፡ ምሉኣት ኩኑ፡ ጽኑዓት ኩኑ፡ ብሓንቲ
ሓሳብ ኩኑ፡ ብሰላም ንበሩ፡ ኣምላኽ ፍቕርን ሰላምን ከኣ ምሳኻትኩም ኪኸውን እዩ። 12 ንሓድሕድኩም
ብቕዱስ ምስዕዓም ሰላም ተባሃሃሉ። ኵላቶም ቅዱሳን ሰላም ይብሉኹም አለዉ። 13 ጸጋ ጐይታና የሱስ

ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ገላትያ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ሃዋርያ ብየሱስ ክርስቶስን በቲ ኻብ ምውታት ዘተንስኦ እግዚኣብሄር ኣቦን እምበር፡ ካብ
ሰብ ወይስ ብሰብ ዘይኮነ፡ 2 ኵላቶም ምሳይ ዘለዉ ኣሕዋት ድማ ናብ ማሕበራት ገላትያ። 3-4 ካብ
እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብቲ ኸም ፍቓድ ኣቦና ኣምላኽ፡ ካብዛ ሕጂ ዘላ እክይቲ ዓለም ምእንቲ ኼድሕነና
ኢሉ፡ ብሰሪ ሓጢኣትና ነፍሱ ዝሃበ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን፡ ጸጋን ሰላምን ይውረድኩም። 5 ንእኡ
ኻብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ክብሪ ይኹን ኣሜን።

6 ካብቲ ብጸጋ ክርስቶስ ዝጸውዓኩም ከምዚ ቐልጢፍኩም ናብ ካልእ ወንጌል ምግልባጥኩም ይገርመኒ
አሎ። 7 እዚውን ገለ ዜዕገርግሩኹምን ነቲ ወንጌል ክርስቶስ ኪልውጥዎ ዚደልዩን ከም ዘለዉ ማለት እዩ
እምበር፡ ካልእ ወንጌልሲ ኣይኮነን። 8 ግናኸ ንሕና እኳ እንተ ዀንና ወይስ መልኣኽ ካብ ሰማይ፡ ብዘይ
እዚ ንሕና ዝሰበኽናልኩም ወንጌል ካልእ ወንጌል እንተ ሰበኸልኩም፡ ንሱ ውጉዝ ይኹን። 9 ከምቲ
ቐድም ዝበልናዮ፡ ሕጂውን ከም ብሓድሽ፥ ብዘይ እቲ እተቐበልኩምዎስ ካልእ ወንጌል ዚሰብኽ
እንተሎ፡ ንሱ ውጉዝ ይኹን፡ እብል አሎኹ። 10 ሕጂኸ ንሰብዶ ወይስ ንኣምላኽ እየ ባህ ዘብል ዘሎኹ፡
ወይስ ንሰብ ከሐጕስ ድየ ዝደሊ ዘሎኹ፡ ገና ንሰብ ከሐጕስ እንተ ዝብልሲ፡ ባርያ ክርስቶስ
ኣይምዀንኩን ነይረ። 11-12 እምብኣርስ ኣሕዋተይ፡ ኣነ ድማ ብምግላጽ የሱስ ክርስቶስ እየ እምበር፡ ካብ
ሰብ ኣይተቐበልክዎን ኣይተመሃርክዎንውን እሞ፡ እቲ ብኣይ እተሰብከ ወንጌል ከም ቅዱ ሰብ ዘይምዃኑ
ኤፍልጠኩም አሎኹ። 13 ቀደም ብኣይሁድነት ክነብር ከሎኹስ፡ ነታ ማሕበር ኣምላኽ ብዘይ ልክዕ ከም
ዝሰጐጕክዋን ዘዕናኽዋን፡ ሰሚዕኩም አሎኹም። 14 ነቲ ሰርዓት ኣቦታተይ ኣዝየ እናቐናእኩ ኸኣ፡ ካብ
ብዙሓት ኣብ ህዝበይ ዘለዉ መሳቶይ ብኣይሁድነት ሓለፍ በልኩ። 15 እቲ ኻብ ከርሲ ኣደይ ጀሚሩ
ዝፈለየኒ ብጸጋኡውን ዝጸውዓኒ ኣምላኽ ግና 16-17 ኣነ ኣብ ኣህዛብ ወንጌል ምእንቲ ኽሰብኽ ኢሉ ንወዱ
ኣባይ ኪገልጾ ምስ ፈተወ፡ ሽዑ ብኡብኡ ምስ ስጋን ደምን ከይተማኸርኩ፡ ናብቶም ቅድመይ ዝነበሩ
ሃዋርያት፡ ናብ የሩሳሌም እኳ ኸይደየብኩ፡ ናብ ምድሪ ዓረብ ከድኩ እሞ ከም ብሓድሽ ናብ ደማስቆ
ተመለስኩ። 18 ካብኡ ድሕሪ ሰለስተ ዓመት ንኬፋ ኽላለዮ ናብ የሩሳሌም ደየብኩ እሞ ምስኡ ዓሰርተው
ሓሙሽተ መዓልቲ ቐነኹ። 19 ካብ ሃዋርያ ግና ብዘይ ያእቆብ ሓው ጐይታና ሓደ ኻልእ እኳ
ኣይርኤኹን። 20 እዚ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ ድማ፡ እንሆ ኣነ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣይሐሱን እየ። 21
ድሕርቲ ኸኣ ናብ ሃገር ሶርያን ቂልቅያን መጻእኩ። 22-23 እተን ብክርስቶስ ዘለዋ ማሕበራት ይሁዳ ኸኣ፡
እቲ ቐደም ዝሰጐጕና ነታ ቐደም ኬዕንዋ ዚደሊ ዝነበረ እምነት ሕጅስ ይሰብካ አሎ፡ ኪብሉ ጥራይ
ይሰምዓ ነበራ እምበር፡ ገጸይ ኣይፈልጣን ነበራ። 24 ብዛዕባይውን ንኣምላኽ ኣመስገና።

## ምዕራፍ 2

1 ካብኡ ኸኣ ድሕሪ ዓሰርተው ኣርባዕተ ዓመት ከም ብሓድሽ ናብ የሩሳሌም ምስ በርናባስ ደየብኩ
ንቲቶስውን ምሳይ ተማላእክዎ። 2 እቲ ምድያበይ ከኣ ብምኽንያት ሓደ ራእይ እዩ። ምናልባሽ ንኸንቱ

ኽይጕዩ ወይስ ጕይየ ኸይህሉ ኢለ፡ እቲ ኣብ ኣህዛብ ዝሰብኮ ወንጌል ነቶም ምርኡያት ኣብ በይኖም
ገይረ ተዛረብክዎም። [3] ግናኸ ነቲ ምሳይ ዝነበረ ቲቶስ እኳ፡ ጽርኣዊ ኽነሱስ፡ ምግዛር ኣየድለዮን። [4] እዚ
ኸኣ ብሰሪ እቶም፡ ባሮት ምእንቲ ኺገብሩና፡ ተጐሒልዮም እተሐወሱና፡ ንሳቶምውን ነቲ ብክርስቶስ
ዘሎና ሓርነት ኪስልዩ ዝኣተዉና ኣሕዋት ሓሶት እዩ። [5] እቲ ሓቂ ወንጌል ኣባኻትኩም ምእንቲ ኺጸንዕ፡
ሕራይ ንምባል ሓንሳእ እኳ ስግኖ ኣይበልናሎምን። [6] እቶም ርኡያት መሰልቲ፡ኣምላኽሲ ገጽ ሰብ ርእዩ
ኣየድሉን እዩ እሞ፡ ከመይ ዝበሉ ኸም ዝኾኑ ግዶም የብለይን፡እቶም ርኡያት መሰልትስ ሓንቲ እኳ
ኣይወሰኹለይን። [7-8] እቲ ኣብ ጴጥሮስ ንሃዋርያነት ኣብ ግዙራት ዝዓየየ፡ ኣባይ ድማ ኣብ ኣህዛብ ዓየየ
እሞ፡ ከምቲ ንጴጥሮስ ኣብ ግዙራት ንኣይ ግዳ ኣብ ዘይተገዝሩስ ወንጌል ምሕጽንታ ተውሂብኒ ምስ
ረአዩ፡ [9] እቶም ኣዕኑድ ከም ዝኾኑ መሰልቲ፡ ያእቆብን ኬፋን ዮሃንስን፡ እቲ እተዋህበኒ ጸጋ ምስ ፈለጡ፡
ንሕና ናብ ኣህዛብ ክንከይድ፡ ንሳቶም ግና ናብ ግዙራት፡ ምናዳ ንኣይን ንበርናባስን ናይ ሕብረት የማናይ
ኢዶም ሃቡና። [10] ነቶም ድኻታት ጥራይ ክንዝክሮም ደለዩ፡ እዚውን ክገብሮ ኢለ ባዕለይ እጋደል ነይረ።
[11] ኬፋ ናብ ኣንጾክያ ምስ መጸ ግና፡ ተኸሲሱ ነበረ እሞ፡ ገጽ ንገጽ ተቓወምክዎ። [12] ገለ ሰባት ካብ
ያእቆብ ከይመጹ፡ ምስ ኣህዛብ ሐቢሩ ይበልዕ ነበረ፡ ምስ መጹ ግና፡ ንሰብ ግዝረት ፈሪሁ ኣግለሰ፡
ርእሱውን ፈለየ። [13] እቶም ዝተረፉ ኣይሁድውን ምስኡ ተገበዙ፡ በርናባስ እኳ በቲ ግብዝንኦም ክሳዕ
ዚሰሐብ ኰነ። [14] ከምቲ ሓቂ ወንጌል ብቕንዕና ዘይምምልላሶም ምስ ርኤኹ ግና፡ ንጴጥሮስ ኣብ ቅድሚ
ዅላቶም በልክዎ፡ ንስኻ፡ ኣይሁዳዊ ኽነስኻ፡ ብናይ ኣይሁድ ዘይኰነስ ብንብረት ኣህዛብ ካብ እትህሉ፡
ከመይ ኢልካ ደኣ ነቶም ኣህዛብ ብንብረት ኣይሁድ ኪህልዉ ብግዲ ትብሎም ኣሎኻ፡ [15] ንሕና ዓሌትና
ኣይሁድ ኢና፡ ካብቶም ሓጥኣን ኣህዛብ ኣይኰንናን። [16] ሰብ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ እምበር፡
ብግብሪ ሕጊ ኸም ዘይጸድቕ ካብ ፈለጥና ግና፡ ኵሉ ስጋ ብግብሪ ሕጊ ዘይጸድቕ ስለ ዝኾነ፡ ንሕና ኸኣ
ብግብሪ ሕጊ ዘይኰነስ ብእምነት ብክርስቶስ ምእንቲ ኽንጸድቕ ብክርስቶስ የሱስ ኣመንና። [17] ግናኸ
ንሕና ብክርስቶስ ክንጸድቕ እናደሌና፡ ንርእስና ሓጥኣን ኴንና ኻብ ተረኺብና፡ እምብኣርሲ ክርስቶስዶ
ኣገልጋሊ ሓጥኣት እዩ፧ ያእ ኣይፋሉን። [18] ነቲ ዘፍረስክዎስ ከም ብሓድሽ እንተ ነደቕክዎ፡ ኣበሰኛ
ምዃነይ ኤርኢ ኣሎኹ። [19] ኣነስ ንኣምላኽ ብህይወት ምእንቲ ኽነብር፡ ካብ ሕግስ ብሕጊ ሞትኩ። ምስ
ክርስቶስ ተሰቐልኩ። [20] ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፡ ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነብር
ዘሎኹ። እዚ ሕጂ ብስጋ ዝነብሮ ዘሎኹ ድማ፡ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእንታይውን ነፍሱ ዘሐለፈለይ
ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘሎኹ። [21] ጽድቂ ብሕጊ እንተ ዚኸውን፡ እምብኣርከ ክርስቶስ ንኸንቱ እዩ
ዝሞተ፡ ኣነስ ጸጋ ኣምላኽ ኣይንዕቕን እየ።

## ምዕራፍ 3

[1] ኣቱም ዓያሱ ሰብ ገላትያ፡ ቀደም የሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኣዒንትኹም ከም ስቑል ኰይኑ ተስኢሉ
ነበረ። ንሓቂ ኸይትእዘዙ ደኣ መን ዓዘመኩም፡ [2] ካባኻትኩም እዚ ጥራይ ክፈልጥ እደሊ ኣሎኹ፥
ብግብሪ ሕጊዶ ወይስ ብምስማዕ እምነት ኢኹም መንፈስ እተቐበልኩም፡ [3] ክሳዕ ክንዲዚዶ ዓያሱ
ኢኹም፧ ብመንፈስ ጀሚርኩምሲ፡ ሕጂዶ ብስጋ ኽትፍጽሙ ትደልዩ ኣሎኹም፡ [4] ንኸንቱ እንተ
ዀይኑስ፡ ክንድዚ ዚኣክል መከራዶ ንኸንቱ ጸገብኩም፡ [5-6] ከምቲ፡ ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመኖ እሞ
ጽድቂ ዀይኑ ተቘጽረሉ፡ ዚብል፡ እምበኣርስ እቲ መንፈስ ዚህበኩም ኣባኻትኩምውን ሓይሊ ዚገብር
ብግብሪ ሕጊ ድዩ ወይስ ብምስማዕ እምነት፡ [7] እምብኣርከ እቶም ካብ እምነት ዘበሉ፡ ንሳቶም ደቂ

ኣብርሃም ምኺኖም ፍለጡ። [8] እቲ ጽሑፍውን፡ ኣምላኽ ነህዛብ ብእምነት ከም ዜጽድቖም፡ ቅድም ርእዩ፡ ንኣብርሃም፡ ኵሎም ኣህዛብ ብኣኻ ኺባረኹ እዮም፡ ኢሉ ኣቐዲሙ ኣበሰሮ። [9] እምብኣርስኸ እቶም ካብ እምነት ዘበሉ ምስ ኣብርሃም፡ ምስቲ ኣማኒ፡ ኪባረኹ እዮም። [10] ነፍሲ ወከፍ ነቲ ኣብ መጽሓፍ ሕጊ ተጽሒፉ ዘሎ ዅሉ ኺገብሮ ዘይጸንዕ፡ ርጉም ይኹን፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ እቶም ካብ ግብሪ ሕጊ ዘበሉ ዅሎም ኣብ ትሕቲ መርገም እዮም። [11] ግናኸ እቲ ጻድቕ ብእምነት ህያው ኰይኑ ኪነብር እዩ እሞ፡ ብሕጊ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓደ እኳ ኸም ዘይጸድቕ ግሁድ እዩ። [12] ሕጊ ኻብ እምነት ኣይኰነን፡ ግናኸ እቲ ዚገብሮ ብህይወት ኪነብረሉ እዩ። [13-14] ንሕና ነቲ ተስፋ መንፈስ ብእምነት ክንቅበሎ፡ እቲ በረኸት ኣብርሃምውን ብየሱስ ክርስቶስ ነህዛብ ምእንቲ ኪኸውንሲ፥ ኣብ ዕጸይቲ ዚስቀል ዘበለ ርጉም እዩ፡ ተጽሒፉ ኣሎ እሞ፡ ክርስቶስ ምእንታና መርገም ኰይኑ፡ ካብ መርገም ሕጊ ተሻየጠና። [15] ኣሕዋተየ፡ ከም ኣዛራርባ ሰብ እዛረብ ኣሎኹ፡ ነቲ ዝጸንዔ ኺዳን ሰብ እኳ ዜፍርሶ ወይስ ዚውስኸሉ የልቦን። [16] እቲ ንኣብርሃምን ንዘርኡን እተነግረ ተስፋ ድማ ንሓደ ኸም ዚብሃል፡ ንዘርእኻ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ እዩ እምበር፡ ንብዙሓት ከም ዚብሃል፡ ነዝርእቲ፡ ኣይብልን እዩ። [17] እምብኣርሲ እዚ እብል ኣሎኹ፡ ነቲ ተስፋ ኽነቱ ኺገብሮ ኢሉ፡ ነቲ ኣምላኽ ቀደም ዘጽንዖ ኺዳን እቲ ድሕሪኡ በርባዕተ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ዝመጸ ሕጊ ኣየፍርሶን እዩ። [18] እቲ ርስቲ ኻብ ሕጊ እንተ ዚኸውንሲ፡ ደጊም ካብ ተስፋ ኣይምኾነን ነይሩ። ኣምላኽ ግና ንኣብርሃም ብተስፋ እዩ ዝሃቦ። [19] እቲ ሕጊኸ ደኣ ንምንታይ እዩ፡ ንሱ ብሰሪ ኣበሳ ተወስኸ፡ እቲ ተስፋ እተዋህቦ ዘርኢ ኸሳዕ ዚመጽእ፡ ብኢድ እቲ ማእከላይ ብመላእኽቲ ተሐገገ። [20] ማእከላይሲ ማእከላይ ሓደ ኣይኰነን፡ ኣምላኽ ግና ሓደ በይኑ እዩ። [21] እምብኣርከ፡ እቲ ሕጊዶ ነቲ ተስፋ ኣምላኽ መጻርርቱ እዩ፡ ያእ ኣይፋሉን። ህያው ኪገብር ዚከኣሎ ሕጊ ተውሂቡ እንተ ዚኸውንሲ፡ እቲ ጽድቂ ብሓቂ ኻብ ሕጊ ምኾነ ነይሩ። [22] እቲ ተስፋ ግና ነቶም ዚኣምኑ ብእምነት የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኺውሃብ፡ እቲ ጽሑፍ ንዅሉ ኣብ ትሕቲ ሓጢኣት ዓጸዎ። [23] እምነት ከይመጸት፡ ንሕና ነታ ኽትገሃድ ዘለዋ እምነት እናተጸቤና፡ ተዓጺና ኣብ ትሕቲ ሕጊ ተሐሊውና ነበርና። [24] ስለዚ ኸኣ ብእምነት ምእንቲ ኽንጸድቕሲ፡ ናብ ክርስቶስ ኬብጽሓና እቲ ሕጊ ቐጻዒና ኾነ። [25] እምነት ምስ መጸት ግና፡ ደጊም ትሕቲ ቐጻዒ ኣይኰንናን። [26-27] ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፡ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ ኵላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም። [28] ኵላትኩም ብክርስቶስ የሱስ ሓደ ኢኹም እሞ፡ በዚ ኣይሁዳዊ ወይስ ጽርኣዊ የልቦን፡ በዚ ባርያ ወይስ ጭዋ የልቦን፡ በዚ ተባዕታይ ወይስ ኣንስተይቲ የልቦን። [29] ናይ ክርስቶስ ካብ ኰንኩም፡ ደጊም ዘርኢ ኣብርሃም ኢኹም፡ ከምቲ ተስፋውን ወረስቲ ኢኹም።

# ምዕራፍ 4

[1-2] ኣነ ግና እብል ኣሎኹ፡ ወራሲ ብዘመን ቍልዕነቱ ኸሎ፡ ጐይታ ዅሉ ኽነሱ፡ ክሳዕ እታ ኣቦኡ ዝመደበሉ ጊዜ ትሕቲ ሰብ ሕድርን መገብትን እዩ እምበር፡ ንሱን ባርያን በበይኑ የብሎምን። [3] ከምእውን ንሕና ቈልዑ ኸሎና፡ ኣብ ትሕቲ ምህሮ ቕልዕነት ዓለም፡ ባሮት ኴንና ነበርና። [4-5] ምልኣት ዘመን ምስ መጸ ግና፡ ነቶም ትሕቲ ሕጊ ዘለዉ፡ ተሻዪጡ ምእንቲ ኼውጽኦም፡ ንሕናውን ውልድነት ምእንቲ ኽንረክብሲ፡ ኣምላኽ ነዚ ኻብ ሰበይቲ እተወልደ ትሕቲ ሕጊውን ዝኾነ ወዱ ለኣኸ። [6] ውሉድ ስለ ዝኾንኩም ከኣ፡ ኣምላኽ ነቲ፡ ኣባ፡ ኣቦ፡ ኢሉ ዚጽውዕ መንፈስ ወዱ ናብ ልብና ለኣኸ። [7] ደጊም ብድሕርዚ ውሉድ እምበር፡ ባርያ ኣይኰንካን። ውሉድ ካብ ኰንካ ግና፡ ብክርስቶስ ወራሲ ኣምላኽ

ኢኻ። [8] ግናኸ በቲ ጊዜ እቲ ንኣምላኽ ከይፈለጥኩምዎ ኸሎኹም፡ ባርት እቶም ካብ ባህርዮም
ኣማልኽቲ ዘይኰኑ ኰንኩም። [9] ሕጂ ደኣ፡ ንኣምላኽ ምስ ፈለጥኩምዎ፡ ምናዳውን ንሱ ምስ
ፈለጠኩም፡ ከመይ ኢልኩም ናብቲ ሕማቕን ድኻን ምህሮ ቍልዕነት ከም ብሓድሽ ትምለሱ ኣሎኹም፡
ከም ብሓድሽውን ካብ መጀመርታ ሒዝኩም ባሮቱ ኽትኰኑ ትደልዩ ኣሎኹም፧ [10] መዓልትታትን
ኣዋርሕን ጊዜታትን ዓመታትን ትሕልዉ ኣሎኹም። [11] ኣባኻትኩም ምናልባሽ ንኸንቱ ጽዒረ ኸይከውን፡
ብዛዕባኹም እፈርህ ኣሎኹ። [12] ኣሕዋተየ፡ ከምቲ ኣነ ኸማኻትኩም ዝኾንኩ፡ ንስኻትኩምውን ከማይ
ክትኰኑ፡ እልምነኩም ኣሎኹ። ሓንቲ እኳ ኣይገፋዕኩምንን። [13] ግናኸ በቲ ቐዳማይ ጊዜ ብምኽንያት
ድኻም ስጋስ ወንጌል ከም ዝሰበኽኩልኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም። [14] ከም መልኣኽ ኣምላኽ፡ ከም ክርስቶስ
የሱስ ጌርኩም ተቐበልኩምኒ እምበር፡ ነቲ ኣብ ስጋይ ንፈተና ዚኾነኩም ዝነበረ እኳ ኣይነዓቕኩምዎን፡
ኣይተጸየፍኩምዎን። [15] ዚከኣል እንተ ዚኸውንሲ፡ ኣዒንትኩም ኣውጺእኩም እኳ ምሃብኩምኒ ኔርኩም፡
ኢለ እምስክረልኩም ኣሎኹ። እምብኣርሲ ኣበይ ደኣ ኣሎ ብጽእናኹም፧ [16] እሞኸ ሓቂ ስለ
ዝነገርኩኹምዶ ጸላኢ ኰይነኩም እየ፧ [17] ምእንቲ ኽትቀንኡሎም ኪኽልክሉኹም ይደልዩ ኣለዉ
እምበር፡ ብጽቡቕ ሓሳብ ኣይኰነን ዚቕንኡልኩም ዘለዉ። [18] ግናኸ ምሳካትኩም ከሎኹ ጥራይ
ዘይኰነስ፡ ኵሉ ሳዕ ንጽቡቕ ምቕናእ ጽቡቕ እዩ። [19] ደቀየ፡ ክርስቶስ ኣባኻትኩም ክሳዕ ዚስኣል ከም
ብሓድሽ እጽዕረልኩም ኣሎኹ። [20] ብኣኻትኩም ዝገብሮ ጠፊኡኒ ኣሎኹ እሞ፡ ሕጂ ምሳኻትኩም ክህሉ
ድምጸይውን ክልውጥ ምፈቶኹ። [21] ኣቱም ትሕቲ ሕጊ ኽትኰኑ እትደልዩ፡ ንሕጊዶ ኣይትሰምዕዎን
ኢኹም፧ እስኪ ንገሩኒ። [22] ኣብርሃም ክልተ ወዲ ኸም ዝወለደ፡ እቲ ሓደ ኻብታ ባርያ፡ እቲ ሓደ ኸኣ
ካብታ ጭዋ፡ ጽሑፍ እዩ። [23] ግናኸ ወዲ እታ ባርያ ኸም ናይ ስጋ ተወልደ፡ ወዲ እታ ጭዋ ግና ብናይ
ተስፋ እዩ እተወልደ። [24] እዝስ ምስሊ እዩ፡ እዘን ኣንስቲ እዚኣተን ክልተ ኺዳን እየን። እታ ሓንቲ ኺዳን
ካብ ደብረ ሲና ንባርነት እትወልድ፡ ንሳ ኣጋር እያ። [25] ኣጋርሲ ኣብ ሃገር ዓረብ ደብረ ሲና እያ እሞ፡ ንሳ
ነዛ ሎሚ ምስ ደቃ ኣብ ባርነት ዘላ የሩሳሌም ትመስል። [26] እታ ናይ ላዕሊ የሩሳሌም ግና ጭዋ እያ እሞ፡
ንሳ ኣዴና እያ። [27] ኣቲ ዘይወለድኪ መኻን፡ ተሐጎሲ፡ ካብ ደቂ እታ ሰብኣይ ዘለዋስ ደቂ እታ በይና ዘላ
በዚሖም እዮም እሞ፡ ኣቲ ንምውላድ ዘይጸዓርኪ፡ እልል በሊ ጨድሪውን፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ እሞ፡ [28]
ንሕና፡ ኣሕዋተየ፡ ከም ይስሃቅ ደቂ ተስፋ ኢና። [29] ግናኸ ከምቲ ሽዑ እቲ ብናይ ስጋ እተወልደ ነቲ
ብናይ መንፈስ እተወልደ ዝሰጐጎ፡ ሕጂውን ከምኡ እዩ። [30] እቲ ጽሑፍከ እንታይ ይብል፧ ወዲ እታ
ባርያ ምስ ወዲ እታ ጭዋ ኣይወርስን እዩ እሞ፡ ነታ ባርያ ምስ ወዳ ስደዳ። [31] ስለዚ፡ ኣሕዋተየ፡ ደቂ እታ
ጭዋ እምበር፡ ደቂ እታ ባርያ ኣይኰንናን።

## ምዕራፍ 5

[1] ሓራ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ክርስቶስ ሓርነት ኣውጺኡና እዩ። ስለዚ ጽንዑ፡ ከም ብሓድሽውን በርዑት
ባርነት ኣይትቑረኑ። [2] እንሆ፡ ኣነ ጳውሎስ፡ እንተ ተገዘርኩም፡ ክርስቶስ ገለ እኳ ኣይጠቕመኩምን እዩ፡
እብለኩም ኣሎኹ። [3] ንዚግዘር ዘበለ ሰብውን፡ ንብዘሎ እቲ ሕጊ ኺገብሮ ኸም ዚግባእ፡ ደጊመ እምስክር
ኣሎኹ። [4] ኣቱም ብሕጊ ኽትጸድቁ እትደልዩ፡ ካብ ክርስቶስ ተፈሊኹም፡ ካብ ጸጋ ወደቕኩም። [5] ንሕናስ
ብመንፈስ ካብ እምነት ናይ ጽድቂ ተስፋ ንጽበ ኣሎና። [6] ብክርስቶስ የሱስሲ፡ እታ ብፍቕሪ እትገብር
እምነት ደኣ እምበር፡ ግዝረት ኰነ ወይ ዘይግዝረት ሓደ ግዝዕ ኣይከኣሎን እዩ። [7] ጽቡቕ ትጐዩ ኔርኩም።
ንሓቂ ኸይትእዘዝዋ ደኣ መን ዓገተኩም፧ [8] እዚ ምሕባልዚ ኻብቲ ዝጸውዓኩም ኣይመጸን። [9] ሒደት ማይ

ብሑቕ ንብዘሎ እቲ ብሑቕ የብኵዖ እዩ። 10 ኣነ፡ ገለ ኻልእ ከይትሐስቡ፡ ብኣኻትኩም ኣብ ጐይታ
ተኣሚነ ኣሎኹ። እቲ ዜዕገርግረኩም ግና፡ ዝኾነ ይኹን፡ ፍርዱ ኺጸውር እዩ። 11 ኣሕዋተየ፡ ኣነ ገና
ግዝረት እሰብኽ እንተ ዝህሉ ደኣ፡ እንታይ ኢሎም ሕጂ ዚሰጉኒ፧ እምብኣርከ መዓንቀፊ መስቀል
ተደርብዩ። 12 ኣየ፡ እቶም ዜዕልዉኹም ኲታ እንተ ዚቝረጹ። 13 ኣሕዋተየ፡ ንስኻትኩም ንሓርነት
ጽውዓት ኢኹም እሞ፡ ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ ተገዛዝኡ እምበር፡ ነቲ ሓርነትሲ ንስጋ ምኽንያት
ኣይትግበርዎ። 14 ማለት ኵሉ እቲ ሕጊ፡ ብጻይካ ኸም ነፍስኻ ኣፍቅር፡ ብትብል ሓንቲ ቓል ይፍጸም
እዩ። 15 ንሓድሕድኩም እንተ ተናኸስኩምን ተባላዕኩምን ግና፡ ንሓድሕድኩም ከይትጣፍኡ ተጠንቀቑ።
16 ኣነስ፡ ብመንፈስ ተመላለሱ እሞ ትምኒት ስጋ ኣይክትፍጽሙን ኢኹም፡ እብለኩም ኣሎኹ። 17 ስጋ ነቲ
ምስ መንፈስ ዚጻረር ይምነ፡ መንፈስውን ነቲ ምስ ስጋ ዚጻረር እዩ ዝምነ። ነቲ እትደልይዎ ምእንቲ
ኸይትገብሩ፡ እዚኣቶም መጻርርቲ እዮም። 18 ብመንፈስ እንተ ተመራሕኩም ግና፡ ትሕቲ ሕጊ
ኣይኰንኩምን። 19 እቲ ግብሪ ስጋ ግሁድ እዩ፡ ንሱ ኸኣ ምንዝር፡ ርኽሰት፡ ዕብዳን፡ 20 ኣምልኾ ጣኦት፡
ጥንቈላ፡ ጽልኢ፡ ባእሲ፡ ቅንኢ፡ ቍጥዓ፡ ሻራ፡ ምፍልላይ፡ ዝርግርግ፡ 21 ቅንኣት፡ ቅትለት፡ ስኽራን፡
ጓይላ፡ ከምዚ ዘመሰለ ኻልእውን እዩ። እቶም ከምዚ ዘመሰለ ዚገብሩ ንመንግስቲ ኣምላኽ ከም
ዘይወርስዋ፡ ከምቲ ቐደም ዝበልክዎ ኣቐዲመ እብለኩም ኣሎኹ። 22 እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፡
ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይእኽለኒ ምባል እዩ። 23 ነዚ ኸምዚ
ዘመሰለ ዚጻረሮ ሕጊ የልቦን። 24 እቶም ናይ ክርስቶስ ዘበሉ ኸኣ ነቲ ስጋኦም ምስናይ ፍትወቱን ትምኒቱን
ሰቒሎምዎ እዮም። 25 ህይወት ብመንፈስ እንተ አልያትናስ፡ ብመንፈስ ከኣ ንመላለስ። 26 ንሓድሕድና
ብምትሕርራቕን ብምቅንናእንሲ ውዳሴ ኸንቱ ኣይንድለ።

## ምዕራፍ 6

1 ኣሕዋተየ፡ ሰብ ብሓደ በደል እንተ ተታሕዘ፡ ነዚ ኸምዚ ዝበለ፡ ንስኻትኩም መንፈሳውያን፡ ብህዱእ
መንፈስ ጌርኩም ኣቕንዕዎ። ንስኻውን ከይትፍተን፡ ንርእስኻ ተጠንቀቕ። 2-3 ሓደ ገለ ዘይኰነስ ገለ ኸም
ዝኾነ እንተ መሰሎ፡ ንርእሱ ይጥብር ኣሎ፡ እምብኣርከ ጾር ሓድሕድኩም ጹሩ፡ ከምኡውን ሕጊ
ክርስቶስ ፈጽሙ። 4-5 ነፍሲ ወከፍ ጾጾሩ ኺጸውር እዩ እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ ነታ ግብሪ ርእሱ ይመርምር፡
ሽዑ ብናይ ካልእ ዘይኰነስ፡ በታ ናይ ርእሱ ጥራይ ትምክሕቲ ኺረክብ እዩ። 6 እቲ ቓል ዚምሃር ግና ነቲ
ዚምህሮ ኻብ ጽቡቕ ነገር ዘበለ የማቕሎ። 7 ሰብ ነቲ ዝዘርኦ ንእኡ ኸኣ ኪዓጽዶ እዩ እሞ፡ ኣይትጠበሩ፡
ኣምላኽ ኣይዕሾን እዩ። 8 እቲ ንስጋኡ ኢሉ ዚዘርእ ካብቲ ስጋስ ጥፍኣት ኪዓጽድ እዩ፡ እቲ ንመንፈሱ
ኢሉ ዚዘርእ ግና ካብቲ መንፈስ ናይ ዘለኣለም ህይወት ኪዓጽድ እዩ። 9 እንተ ዘይተጸልኣናስ፡ ብጊዜኡ
ክንዓጽድ ኢና እሞ፡ ንሰናይ ግብሪ ኣይንሰልኪ። 10 እምበኣርሲ ጊዜ ኸሎና፡ ንዅሉ ሰብ፡ ምናዳ ግና
ነቶም ኣመንቲ ስድራ ቤት ሰናይ ንግበር። 11 ብኸመይ ዝበለ ገዘፍቲ ፍዴላት ብኢደይ ከም
ዝጸሐፍኩልኩም፡ ርኣዩ። 12 እቶም ንሰብ ብስጋ ባህ ኬብሉ ዚደልዩ ዘበሉ ኹላቶም ምእንቲ መስቀል
ክርስቶስ ከይስጐጉ ኢሎም ጥራይ እዮም ክትግዘሩ ብግዲ ዚብልኹም ዘለዉ። 13 ንሳቶም ብስጋኹም
ምእንቲ ኺምክሑ፡ ክትግዘሩ ይደልዩኹም አለዉ እምበር፡ እቶም ግዙራት እኳ ባዕላቶም ሕጊ
ኣይሕልዉን እዮም። 14-15 ብክርስቶስ የሱስ እቲ ሓድሽ ፍጥረት ደኣ እዩ እምበር፡ ግዝረት ኰነ ወይስ
ዘይግዝረት ሓደ ግዛዕ የብሉን እሞ፡ በቲ መስቀል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ዓለም ብእኡ ንኣይ
እተሰቕለት ኣነውን ንዓለም እተሰቐልኩ እንተ ዘይኰነስ፡ ትምክሕቲ ዘበለ ካባይ ይርሐቕ። 16 ኣብቶም በዛ

መገዲ እዚኣ ዚኽዱ ዘበሉን ኣብቶም ናይ ኣምላኽ እስራኤልን ሰላምን ምሕረትን ይውረድ። [17] ኣነስ ዕላመት የሱስ ኣብ ስጋይ እጸውር አሎኹ እሞ፡ ድሕሪ ሕጂ ሓደ እኳ ላሕ ኣየብለኒ። [18] ኣሕዋተየ፡ ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ መንፈስኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ኤፌሶን

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ ክርስቶስ የሱስ፡ ነቶም ኣብ ኤፌሶን ዘለዉ ቅዱሳንን ብክርስቶስ
የሱስ እሙናትን፥ 2 ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም
ይኹን። 3 እቲ ብመንፈሳዊ በረኸት ዘበለ ብክርስቶስ ገይሩ ኣብ ሰማያት ዝባረኸና ኣምላኽን ኣቦ ጐይታና
የሱስ ክርስቶስን ብሩኽ ይኹን። 4 ከምቲ ብፍቕሪ ኣብ ቅድሚኡ ቅዱሳንን መንቐብ ዜብሎምን ምእንቲ
ኽንከውን፡ ቅድሚ ምስራት ዓለም ብእኡ ዝሐረየና፡ 5-6 በቲ ፍቁር ብእኡ ዝጸገወና፡ ንውዳሴ ኽብሪ
ጸጋኡ ብፍታው ፍቓዱ ብየሱስ ክርስቶስ ንርእሱ ውሉድ ክንኰኖ ቐደም መደበና። 7 ብእኡ ብደሙ
ምድሓን፡ ማለት፡ ከምቲ ሃብቲ ጸጋኡ ሕድገት ሓጢኣት ኣሎና። 8-10 ከምቲ ብእኡ ዝመደቦ ስምረቱ፡ ነቲ
ምስጢር ፍቓዱ እናኣፍለጠና፡ ነቲ ናይ ምልኣት ዘመናት መጋቢነቱ፡ ኣብ ሰማይ ዘሎን ኣብ ምድሪ
ዘሎን፡ ኣብ ክርስቶስ ምእንቲ ኺጥቕለልሲ፡ ብዅሉ ጥበብን ብዅሉ ኣእምሮን ነዚ ጸጋኡ ኣባና ኣውሐዞ።
11-12 ንሕና ቐደም ብክርስቶስ ተስፋ ዝገበርና ንውዳሴ ክብሩ ምእንቲ ኽንከውን፡ ንሕና በቲ ዅሉ
ኽምቲ ምኽሪ ፍቓዱ ብሓሳብ ዚገብር ቀደም እተመደብና፡ ነቲ ዕድል ርስቲ ብእኡ ረኸብናዮ። 13
ንስኻትኩምውን ብእኡ ቓል ሓቂ፡ ናይ ምድሓንኩም ወንጌል፡ ምስ ሰማዕኩም ብኡውን ምስ
ኣመንኩም፡ ብናይ ተስፋ መንፈስ ቅዱስ ተሐተምኩም። 14 ንሱ ንምድሓን ጥሪቱ፡ ንውዳሴ ኽብሩ፡
ዕርቡን ርስትና እዩ። 15 ስለዚ ኸኣ ኣነ እታ ብጐይታና የሱስ ኣባኻትኩም ዘላ እምነትን ንዅሎም ቅዱሳን
ዘሎኩም ፍቕርን ምስ ሰማዕኩ፡ 16 ብጸሎተይ እናዘከርኩኹም ከየብኰርኩ ስሌኹም ኤመስግን ኣሎኹ።
17 ኣምላኽ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቦ ኽብሪ ብፍልጠቱ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ምእንቲ
ኺህበኩም፡ 18 እሞ ኣዒንቲ ልብኹም በሪሁ፡ ተስፋ ጽውዓኡ እንታይ ምዃኑ፡ ሃብቲ ርስቲ ኽብሩ ኣብ
ቅዱሳንውን እንታይ ምዃኑ ኽትፈልጡ፡ እጽሊ ኣሎኹ። 19-21 ኣምላኽ ንክርስቶስ ካብ ምዉታት
ኣተንሲኡ፡ ኣብ የማኑ ኣብ ሰማያት ምስ ኣቐመጦ፡ ኣብታ እትመጽእውን እምበር፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ
ጥራይ ዘይኰነ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሉ ሽመትን ስልጣንን ሓይልን ጐይትነትን ዚስመ ዘበለ ስምን ምስ ኣርኣዮ፡
ነቲ ሕልፊ ዘለዎ ዓብዪ ሓይሊ ኣባና እንኣምን ዘሎና ኸም ስልጣን ሓይሉ ኣብ ክርስቶስ ዝገበሮ ግብሪ
ንስኻትኩም እንታይ ምዃኑ ኽትፈልጥዎ፡ እጽልየልኩም ኣሎኹ። 22 ንብዘሎ ኸኣ ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ
ኣግዝኦ፡ ኣብ ልዕሊ ዅሉስ ርእሲ ምእንቲ ኪኸውን ድማ፡ ነታ ማሕበር ወፈዮ። 23 ንሳ ኸኣ ስጋኡ ናይቲ
ዅሉ ኣብ ኵሎም ዚመልእ ምልኣቱ እያ።

## ምዕራፍ 2

1-2 ንስኻትኩም ቀደም ከም ንብረት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ከምቲ መንፈሱ ሕጂ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ
ዚገብር ዘሎ ሓለቓ ስልጣን ኣየር እተመላለስኩም፡ ብበደልኩምን ብኣበሳኹምን ምዉታት ዝነበርኩም፡
ንኣኻትኩም ህያዋን ገበረኩም። 3 ንሕና ዅላትና ኸኣ ነቲ ናይ ስጋን ናይ ሓሳባትን ድሌት እናገበርና፡
ቀደም ብትምኒት ስጋና ምሳታቶም ንነብር ነበርና፡ ከምቶም ካልኦትውን ብባህርይና ደቂ ቑጥዓ ነበርና።
4 ግናኸ እቲ ብምሕረት ሃብታም ዝኾነ ኣምላኽ ምእንቲ እታ ብእኣ ዘፍቀረና ዓባይ ፍቕሩ፡ 5 ንሕና፡

ብበደልና ምዉታት ከሎናስ፡ ምስ ክርስቶስ ህያዋን ገበረና፡ብጸጋ ኢኹም ዝደሐንኩም፡ [6-7] ምስኡውን
ኣተንስኣና፡ ኣብቲ ዚመጽእ ዘመናት ብሕያውነቱ እቲ ብሉጽ ሃብቲ ጸጋኡ ብክርስቶስ የሱስ ኣባታትና
ምእንቲ ኼርኢ፡ ኣብ ሰማያት ብክርስቶስ የሱስ ምስኡ ኣቐመጠና። [8-9] ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ፡ ካብ
ግብሪ ኣይኰነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፡
ካባኻትኩም ኣይኰነን። [10] ፍጡራቱ ኢና እሞ፡ ነቲ ኣምላኽ ክንመላለሰሉ ኢሉ ቐደም ዘዳለዎ ሰናይ
ግብሪ ብክርስቶስ የሱስ እተፈጠርና ኢና። [11] ስለዚ ኸኣ፡ ኣቱም ኣህዛብ ብስጋ፡ በታ ኢድ ኣብ ስጋ
እትገብራ ግዝረት እትብሃል ቀደም ዘይግዝረት ከም እተብሃልኩም፡ ዘክሩ። [12] በቲ ዘመን እቲ ብዘይ
ክርስቶስ ከም ዝነብርኩም፡ ካብ ሕብረት እስራኤል ፍሉያት፡ ነታ ኺዳን ተስፋውን ኣጋይሽ፡ ትጽቢት
ዜብሎም፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ ብዘይ ኣምላኽ ከም ዝነበርኩም ዘክሩ። [13] ሕጂ ግና፡ ኣቱም ቀደም
ርሑቓት ዝነበርኩም፡ ንስኻትኩም ብክርስቶስ የሱስ ብደም ክርስቶስ ቀረብኩም። [14] ንሱ ነዞም ክልተስ
ሓደ ዝገበረ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ዝነበረ ኸልካሊ ቐጽሪውን ዘፍረሰ፡ ሰላምና እዩ እሞ፡ [15] ብርእሱ ዕርቂ
እናገበረ፡ ካብዞም ክልተ ሓደ ሓድሽ ሰብ ምእንቲ ኺፈጥር፡ ነቲ ጽልኢ፡ ንሱ ኸኣ ሕጊ ትእዛዝ
ብስርዓት፡ ብስጋኡ ስዒሩ፡ [16] ብመስቀሉውን ነቲ ጽልኢ ብእኡ ቐቲሉ፡ ንኽልቲኦም ብሓደ ስጋ ምስ
ኣምላኽ ኣተዓረቐም። [17-18] ንኽልቴና ብእኡ ብሓደ መንፈስ ናብ ኣቦ መእተዊ ስለ ዘሎና ኸኣ፡
ንኣኻትኩም ርሑቓት ዝነበርኩም መጺኡ ሰላም ኣበሰረኩም፡ ነቶም ቀረባ ዝነበሩውን ሰላም ኣበሰሮም።
[19-20] እምብኣርሲ ንስኻትኩም ኣብቲ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እምኒ መኣዝኑ ዝዀነ መሰረት ነብያትን
ሃዋርያትን እተነደቕኩም፡ ደጊም ደቂ ዓዶም ንቕዱሳንን ስድራ ቤቱ ንኣምላኽን ኢኹም እምበር፡
ኣጋይሽን መጻእተኛታትን ኣይኰንኩምን። [21] ኣብኡ ብዘሎ እቲ ህንጻ ብጐይታ ቅድስቲ ቤተ መቕደስ
ምእንቲ ኪኸውን፡ እናተኣሳሰረ ይዓቢ እዩ። [22] ንስኻትኩምውን ኣብኡ ማሕደር ኣምላኽ ብመንፈስ
ክትኰኑ ሐቢርኩም ትህነጹ ኣሎኹም።

# ምዕራፍ 3

[1] ስለዚ ኣነ ጳውሎስ፡ ምእንታኹም ኣህዛብ ናይ የሱስ ክርስቶስ እሱር፡ [2-3] ቀደም ኣሕጺረ ኸም
ዝጸሓፍኩ፡ እቲ ምስጢር ከመይ ኣቢሉ ብራእይ ከም ዘፍለጠኒ ብዛዕባ እቲ ስሌኻትኩም እተዋህበኒ
መጋቢነት ጸጋ ኣምላኽ ሰሚዕኩምዎ እንተ ኼንኩምሲ፡ [4] ምስ ኣንበብኩምዎ፡ ነቲ ኣብ ምስጢር
ክርስቶስ ዘሎኒ ፍልጠት ከተስተውዕልዎ ይኽእለኩም እዩ። [5] ከምቲ እዚ ሕጂ ነቶም ቅዱሳኑ ሃዋርያቱን
ነብያቱን ብመንፈስ እተገልጸሎም ኰይኑ፡ ኣብቶም ካልኦት ወለዶ ንደቂ ኣዳም ኣይተፈልጠን። [6] ማለት፡
ኣህዛብሲ መዋርስቲ፡ ሓደ ስጋ፡ ብወንጌልውን ኣብ የሱስ ክርስቶስ መማቕልቲ ተስፋ ኸም ዝዀኑ፡ [7]
ኣነ፡ ከም ግብሪ ሓይሉ፡ ከምቲ እተዋህበኒ ውህበት ጸጋ ኣምላኽ፡ ኣገልጋሊ ወንጌል ኰንኩ። [8] ንኣይ፡
ካብ ኵሎም ቅዱሳን ለጠቕ ንዝብል፡ እቲ ዘይምርመር ሃብቲ ክርስቶስ ነህዛብ ክሰብኽ፡ እዚ ጸጋ እዚ
ተዋህበኒ። [9] እቲ ኣብቲ ዅሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ካብ ዘለኣለም ተሰዊሩ ዝነበረ ምስጢር መጋቢነትውን
ከመይ ምዃኑ ንዅሎም ከብርሃሎም ተዋህበኒ። [10] ኣምላኽ እታ ብዙሕ ዝዓይነታ ጥበብ ሕጂ በታ
ማሕበር ገይሩ ነቶም ኣብ ሰማያት ዘለዉ ሽመታትን ስልጣናትን ምእንቲ ኼፍልጦም፡ [11] ከምቲ
ብክርስቶስ የሱስ ጐይታና ዝገበሮ ናይ ዘለኣለም ምኽሩ፡ [12] ሳላ ብክርስቶስ ምእማንና ንሕና ትብዓትን
ብእሙንቶ ምእታው ብእኡ ኣሎና። [13] ስለዚ፡ ከብረትኩም እዩ እሞ፡ በቲ ምእንታኹም ዝበጽሓኒ
ጸበባይ ከይትስልከዩ፡ እልምነኩም ኣሎኹ። [14-15] ምእንትዚውን ናብቲ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ

ኹሉ ወለዶታት ካብኡ ዚስመ ኣቦ ብብርከይ እምብርከኽ ኣሎኹ። [16] ብመንፈሱ ኣብቲ ናይ ውሽጢ ሰብ
ብሓይሊ ምእንቲ ኽትብርትዑ፡ ከምቲ ሃብቲ ኽብሩ ኺህበኩም እጽሊ ኣሎኹ። [17] ክርስቶስ ኣብ
ልብኹም ብእምነት ምእንቲ ኺሐድር፡ ኣብ ፍቕሪ ሱር ሰዲድኩምን ተሰሪትኩምን፡ [18] ምስ ኲሎም
ቅዱሳን ምግፋሑን ምንዋሑን ምዕማቑን ቍመቱን እንታይ ምዃኑ ምስትውዓል ክትክእሉ፡ [19] እሞ ነታ
ንፍልጠት ሓለፍ እትብላ ፍቕሪ ክርስቶስ ክትፈልጥዋ፡ ክሳዕ ኲሉ ምልኣት ኣምላኽ ምእንቲ ኽትመልኡ፡
እጽሊ ኣሎኹ። [20] ግናኸ ከምቲ ኣባና ዚገብር ሓይሊ፡ ካብቲ ንሕና እንልምኖን እንሐስቦን ዘበለ እምብዛ
ኣዕዚዙ ኺገብር ዚከኣሎ፡ [21] ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንኹሉ ውሉድ ወለዶታት ኣብታ ማሕበር
ብክርስቶስ የሱስ ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ። ኣሜን።

# ምዕራፍ 4

[1] ደጊም ኣነ እሱር ብጐይታ፡ ነቲ እተጸዋዕኩምሉ ጽውዓ ብቑዓት ኴንኩም ክትመላለሱ እምዕደኩም
ኣሎኹ። [2] ብትሕትና ዘበለን ብለውሃትን ብህድኣትን ንሓድሕድኩም ብፍቕሪ እናተጻወርኩም፡ [3] ነቲ
ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም ጌርኩም ክትሕልውዎ፡ ተጋደሉ። [4] ከምቲ ብሓንቲ ተስፋ ጽውዓኹም
እተጸዋዕኩም ድማ፡ ሓደ ስጋን ሓደ መንፈስን እዩ፡ [5] ሓደ ጐይታ፡ ሓንቲ እምነት፡ ሓንቲ ጥምቀት፡ [6] እቲ
ልዕሊ ኹሉን ብኹሉን ኣብ ኲሉን ዘሎ ሓደ ኣምላኽን ኣቦ ኹሉን ንሱ እዩ። [7] ግናኸ ብመስፈር ውህበት
ክርስቶስ ንነፍሲ ወከፍና ጸጋ ተውሂቡ እዩ። [8] ስለዚ ኸኣ፡ ናብ ላዕሊ ምስ ደየበ፡ ምርኮ ማረኸ ንሰብውን
ውህበት ሃበ፡ ይብል። [9] እዚ፤ ደየበ፡ ዚብል ግና፡ ናብቲ መዓሙቕ ክፍሊ ምድሪውን ምውራዱ እንተ
ዘይኰይኑስ፡ እንታይ ማለት እዩ፧ [10] እቲ ዝወረደ፡ ንኹሉ ምእንቲ ኺመልእ፡ ልዕሊ ኹሉ ሰማያት
ዝደየበውን ንሱ እዩ። [11-13] ኲላትና ናብ ሕብረት እምነት፡ ናብ ፍልጠት ወዲ ኣምላኽ፡ ናብ እኹል
ሰብኣይ፡ ናብ ልክዕ ምልኣት ብጽሕና ክርስቶስ ክሳዕ እንበጽሕ፡ እቶም ቅዱሳን ነቲ ግብሪ ኣገልግሎት
ንምህናጽ ስጋ ክርስቶስ ምሉኣት ምእንቲ ኪኾኑ ኢሉ፡ ንሱ ገሊኦም ሃዋርያት ገሊኦም ድማ ነብያት፡
ገሊኦም ከኣ ወንጌላውያን፡ ገሊኦምውን ጓሶትን መምህራንን ኪኾኑ ሃበ። [14] ድሕሪ ሕጂ ንሕና በቲ
ኻብቲ ብምጥባር ሰብን ንምፍሓስ ስሕተት ዚኸውን ተንኰልን ዚመጽእ ናይ ትምህርቲ ኹሉ ንፋስ
ንየው ነጀው እንድፋእን እንኽብከብን ቈልዑ ምእንቲ ኸይንኸውንሲ፡ [15] ብፍቕሪ ንሓቂ እናሰዓብና፡
ናብቲ ርእሲ ዝኾነ ክርስቶስ ንዕበ። [16] ብዘሎ እቲ ስጋ ብደገፍ እቲ መመላገቢኡ እናተታሓሐዘን
እናተኣሳሰረን፡ ብመጠን እቲ ነንኽፍሉ እተመደበሉ ግብሪ ብፍቕሪ ምእንቲ ኺህነጽሲ፡ ካብ ክርስቶስ
እዩ ምዕባይ ዚረክብ። [17] እምበኣርሲ ኸምቲ ኣህዛብ ብናይ ከንቱ ሓሳቦም ዚመላለስዎ ኸይትመላለሱ፡
እዚ እብል ብጐይታውን እምስክር ኣሎኹ። [18] ንሳቶም፡ ብሰሪ ትሪ ልቦምን ብሰሪ እቲ ኣባታቶም ዘሎ
ድንቍርናን ኣእምሮኦም ጸልሚቱ፡ ካብ ህይወት ኣምላኽ ርሒቖም፡ [19] ድንዙዛት ኰይኖምውን ብስስዔ
ርኽሰት ዘበለ ንምግባር ናብ ዕብዳን ተለቁ። [20] ንስኻትኩም ግና ንክርስቶስ ከምዚ ጌርኩም
ኣይተመሃርኩምዎን። [21] እታ ሓቂ ኣብ የሱስ ከም ዘላ ሰሚዕኩምዋን ኣብኡ ተምሂርኩምዋን እንተ
ኼንኩምሲ፡ [22] ነቲ ቐደም እተመላለስኩምሉ፡ ብትምኒት ስሕተት ዚጠፍእ ኣረጊት ሰብ ቀንጢጥኩም፡ [23]
በቲ ናይ ኣእምሮኹም መንፈስ ክትሕደሱ እሞ፡ [24] እቲ ብናይ ሓቂ ጽድቅን ቅድስናን ብመልክዕ ኣምላኽ
እተፈጥረ ሓድሽ ሰብ ልበሱ። [25] ስለዚ ኸኣ ንሓሶት ንየው በልዎ፡ ኣካል ሓድሕድ ኢና እሞ፡ ነፍሲ ወከፍ
ምስ ብጻዩ ሓቂ ተዛረቡ። [26] ኰርዩ ሓጢኣት ከኣ ኣይትግበሩ። ኣብቲ ኹራኹም ጸሓይ ኣይትዕረብኩም።
[27] ንድያብሎስ ከኣ ስፍራ ኣይትሃብዎ። [28] እቲ ዝሰረቐ፡ ነቲ ስኡን ዜማቕሎ ምእንቲ ኺህልዎስ፡ ጽቡቕ

እናገበረ ደኣ በእዳዉ ይጽዓር እምበር፡ ደጊምሲ ኣይስረቕ። 29 እቲ ንሰማዕቱ ንበረኸት ዚኸውን፡
ንምህናጽውን ዜድሊ ሰናይ ዘበለ ዘረባ ደኣ ተዛረቡ እምበር፡ ዘይጠቅም ዘረባስ ካብ ኣፍኩም ኣይውጻእ።
30 ነቲ ንመዓልቲ ምድሓን እተሐተምኩምሉ ናይ ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ኣይተጕህይዎ። 31 ብዘሎ
መሪርን ነድርን ኵራን ታዕታዕን ጸርፍን ምስ ኵሉ ኽፍኣት ዘበለ ካባካትኩም ይርሐቕ። 32 ግናኸ ከምቲ
ኣምላኽ ብክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንሓድሕድኩም ተላዋህትን ተዳናገጽትን ኵንኩም፡ ይቕረ
ተባሃሃሉ።

# ምዕራፍ 5

1 ደጊም ከም ፍቁራት ውሉድ ሰዓብቲ ኣምላኽ ኩኑ። 2 ከምቲ ክርስቶስ ዘፍቀረኩም፡ ነፍሱውን መባእን
መስዋእትን ገይሩ ንኣምላኽ ንምዑዝ ጨና በጃና ዘሕለፈ፡ ከምኡ ብፍቕሪ ተመላለሱ። 3 ከምቲ ንቕዱሳን
ዚግባኦም ምስጋና ደኣ እምበር፡ ምንዝርናን ኵሉ ርኽሰትን ወይስ ስስዔ ከቶ ኣይሰማዕኩም። 4 ዜሕፍር
ወይስ ዘረባ ዕሽነት ወይስ ዘይግባእ ዋዛውን ኣይሰማዕኩም። 5 ኣመንዝራ ዘበለ፡ ወይ ርኹስ፡ ወይ ስሱዕ፡
ንሱ ድማ መምለኽ ጣኦት፡ ኣብ መንግስቲ ክርስቶስን ኣምላኽን ርስቲ ኸም ዜብሉ ትፈልጡ ኣሎኹም።
6 ብሰሪ እዚ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ቍጥዓ ኣምላኽ ይወርድ እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ብኸንቱ ዘረባ
ኣየስሕትኩም። 7 እምብኣርሲ ምሳታቶም ሕብረት ኣይሃሉኹም። 8-10 ፍረ ብርሃን ብሰናይ ዘበለን
ብጽድቅን ብሓቅን እዩ፡ ቀደም ጸልማት ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ብጐይታ ግና ሕጂ ብርሃን ኢኹም፡
ንጐይታ ዜሐጕሶ እናመርመርኩም፡ ከም ደቂ ብርሃን ኴንኩም ተመላለሱ። 11 ግንሕዎም ደኣ እምበር፡
ነቲ ፍረ ዜብሉ ግብሪ ጸልማትሲ ኣይትሕበርዎ። 12 እቲ ብኣታቶም ብሕቡእ ዚግበር ንምዝራቡ እኳ
ነውሪ እዩ። 13 ግናኸ እቲ ግሁድ ዘበለ፡ ንሱ ብርሃን እዩ እሞ፡ ኵሉ ዚግናሕ ዘበለ በቲ ብርሃን ይገሃድ
እዩ። 14 ስለዚ ኸኣ፡ ኣታ ደቂስካ ዘሎኻ፡ ንቓሕ እሞ ካብ ምዉታት ተንስእ፡ ክርስቶስ ከኣ ኬብርሃልካ
እዩ፡ ይብል። 15-16 እምብኣርሲ ቕንያቱ ኽፉእ እዩ እሞ፡ ጊዜ ዓዲግኩም፡ ከም ለባማት እምበር፡ ከም
ዓያሱ ዘይኰነ ኸመይ ብጥንቃቐ ኽም እትመላለሱ፡ ተመልከቱ። 17 ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ
ምዃኑ ኣስተውዕሉ እምበር፡ ዓያሱ ኣይትኩኑ። 18-19 ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትስከሩ። ግናኸ
ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቕኔን ብልብኹም ንጐይታ እናተቐኔኹምሉን እናደረስኩምሉን
ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኩም። 20 ንኣምላኽን ነቦን ስለ ኵሉ ነገር ብስም
ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኵሉ ሳዕ እናኣመስገንኩምዎ፡ 21 ንሓድሕድኩም ብፍርሃት ክርስቶስ እዙዛት
ኩኑ። 22-23 ከምቲ ክርስቶስ ርእሲ ማሕበሩ ዝኾነ፡ ንሱ ምድሓን ስጋኡ ኸኣ እዩ፡ ሰብኣይ ከኣ ርእሲ
ሰበይቱ እዩ እሞ፡ ኣትን ኣንስቲ፡ ከም ንጐይታ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዛኦም። 24 ከምቲ እታ ማሕበር
ንክርስቶስ እትእዘዞ፡ ከምኡ ድማ ኣንስቲ ንሰብኡተን ብኹሉ ይተኣዘዛኦም። 25-27 ከምቲ ክርስቶስ
ንማሕበሩ ዘፍቀራ፡ ኣቱም ሰብኡት፡ ኣንስትኹም ኣፍቅሩ። ክርስቶስ ብቓሉ ገይሩ ብምሕጻብ ማይ ምስ
ኣጽረያ ምእንቲ ኪቕድሳ፡ ርስሓት ወይስ ዕጣር ወይስ ገለ ነዚ ዚመስል ዜብላ፡ ብዘይ መንቅብ ቅድስትን
ክብርትን ማሕበር ገይሩ ንእኡ ምእንቲ ኬቕውማ ኢሉ፡ ርእሱ በጃኣ ሃበ። 28 ሰብኡትውን ከምኡ፡ ነተን
ኣንስቶም ከም ስጋኦም ገይሮም ኬፍቅርወን ይግባኦም እዩ። 29-30 ሰብ ንስጋኡ ይምግቦን ይካናኸኖን
እምበር፡ ሓደ እኳ ዚጸልኦ የልቦን። ኣካላት ስጋኡ ስለ ዝኾንና፡ ክርስቶስ ከምኡ ንማሕበሩ ይካናኸና
ኣሎ። 31 ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ሐዲጉ ምስ ሰበይቱ ይለግብ፡ ክልቲኦምውን ሓደ ስጋ እዮም
ዚኾኑ። 32 እዚ ምስጢር እዚ ዓብዩ እዩ፡ ኣነ ግና ብናይ ክርስቶስን ማሕበሩን እብሎ ኣሎኹ። 33

ንስኻትኩምውን ከምኡ ነፍሲ ወከፍኩም ነታ ሰበይቱ ኸም ነፍሱ ገይሩ የፍቅራ፡ እታ ሰበይቲውን ንሰብኣያ ትፍርሃዮ።

## ምዕራፍ 6

[1] ኣቱም ውሉድ፡ እዚ ቅኑዕ እዩ እሞ፡ ንወለድኹም ብጐይታ ተኣዘዝዎም። [2] ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ [3] ጽቡቕ ኪኸውንልካ፡ ኣብ ምድሪውን ዕድሜኻ ኺነውሕ፡ እዚ ተስፋ ዘለዎ ቀዳማይ ትእዛዝ እዩ። [4] ኣቱም ኣቦታትውን፡ ነቶም ውሉድኩም ብናይ ጐይታ ተግሳጽን ምዕዶን ደኣ ኣዕብይዎም እምበር፡ ኣይተኹርይዎም።

[5] ኣቱም ግዙኣት፡ ነቶም ብስጋ ጐይቶትኩምሲ ብፍርሃት ብምንቅጥቃጥን፡ ብገርህነት ልብኹም ከም ንክርስቶስ ጌርኩም፡ ተኣዘዝዎም። [6] ከም ግዙኣት ክርስቶስ ኴንኩም ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ካብ ልቢ እትገብርዎ ደኣ እምበር፡ ንሰብ ባህ ከም እተብሉ ብገጽርኤ ኣይኩነን። [7] ንሰብ ዘይኰነስ ከም ንጐይታ ጌርኩም ብፍታው ተገዝኡ። [8] ባርያ ኾነ ጭዋ ኹን፡ ነፍሲ ወከፍ ሰናይ ዝገበረ ኻብ ጐይታ ኸም ዚቕበሎ፡ ፍለጡ። [9] ኣቱም ጐይተትውን፡ ከምኡ ግበሩሎም፡ እቲ ጐይታኦምን ጐይታኹምን ኣብ ሰማይ ምህላዉ እሞ ኣብኡ ኣድልዎ ገጽ ከም ዜልቦ ፈሊጥኩም፡ ምፍርራህ ሕደጉ።

[10] ብዝተረፈስ፡ ኣሕዋተይ፡ ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን በርትዑ። [11-12] እቲ ቕልስና ምስ ሕልቅነትን ስልጣናትን ምስ ናይ ጸልማት ገዛእቲ ዓለምን ምስ መናፍስቲ እከይን ኣብ ሰማያት እዩ እምበር፡ ምስ ስጋን ደምን ኣይኰነን እሞ፡ ንፍሕሶ ሰይጣን ምቅዋሙ ምእንቲ ኽትክእሉስ፡ ኵሉ ኣጽዋር ኣምላኽ ልበሱ። [13] ስለዚ በታ እክይቲ መዓልቲ ምቅዋም ምእንቲ ኽትክእሉ፡ ኵሉ ምስ ኣስለጥኩምውን ደው ክትብሉስ፡ ብዘሎ ኣጽዋር ኣምላኽ ኣልዕሉ። [14] ደጊም ሕቓኹም ብሓቂ ተዐጢቕኩም ድርዒ ጽድቂውን ተኸዲንኩም ቁሙ። [15] ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላዉ ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ። [16] ምስናይ እዚ ኹሉ ነቲ ናይቲ ኽፉእ ርሱን መንትግ ዘበለ ኽተጥፍኡሉ እትኽእሉ ዋልታ እምነት ኣልዕሉ። [17] ናይ ምድሓን ቍራዕ ርእሲ ኣእትዉ፡ ናይ መንፈስ ሰይፊውን፡ ማለት ቃል ኣምላኽ፡ ሐዙ። [18] ብኹሉ ጸሎትን ልማኖን ኵሉ ሳዕ ብመንፈስ እናጸሌኹም እሞ፡ ምስናይ እዚውን ብኵሉ እናተጸመምኩም፡ ስለ ኹሎም ቅዱሳን ብጸሎት ንቕሑ፡ [19] ምእንታይውን፡ ኣፈይ ምስ ከፈትኩስ፡ ነቲ ምስጢር ወንጌል ብትብዓት ክነግር ቃል ኪውሃበኒ፡ [20] ብዛዕብኡ ብመቓሕ እተኣሰርኩ ልኡኽ እየ እሞ፡ ከም ዚግብኣኒ ኹይነ ንምዝራብ ብእኡ ኽተብዕ፡ ጸልዩለይ።

[21] ግናኸ ንስኻትኩም ህልዋተይ ከመይ ከም ዘሎኹ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ ትኪቆስ፡ እቲ ፍቁር ሓወይን ብጐይታውን እሙን ኣገልጋልን፡ ኵሉ ኺነግረኩም እዩ። [22] ወሬና ምእንቲ ኽትፈልጡን ልብኹም ኪጸናናዕን እየ ናባኻትኩም ዝሰደድክዎ።

[23] ሰላምን ፍቕርን ምስ እምነት ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ነሕዋት ይኹን።
[24] ምስቶም ንጐይታና የሱስ ክርስቶስ ብዘይሓልፍ ዜፍቅርዎ ኹሎም ጸጋ ይኹን።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ፊሊጲ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስን ጢሞቴዎስን ባሮት የሱስ ክርስቶስ ናብቶም ኣብ ፊልጲ ብክርስቶስ የሱስ ዘለዉ ኹላቶም
ቅዱሳን፡ ምስ ኤጲስቆጶሳትን ዲያቆናትን፡ 2 ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን
ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን። 3-4 ብዝዘከርኩኹም ዘበለ ጊዜ ኣብ ኵሉ ጸሎተይ ምእንቲ ኹላኹም
ብሓጐስ ጸሎት እናገበርኩ፡ ኵሉ ሳዕ ንኣምላኸይ ኤመስግን ኣሎኹ። 5 ስለቲ ሕብረትኩም ንምስፋሕ
ወንጌል ካብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ኽሳዕ ሕጂ፡ 6 እቲ ኣባኻትኩም ሰናይ ግብሪ ዝጀመረ ኸኣ፡ ንሱ ኽሳዕ
እታ መዓልቲ የሱስ ክርስቶስ ከም ዚፍጽሞ፡ እዚ ተረዲኤዮ ኣሎኹ። 7 ብመቐውሒ ኵነ ብናይ ወንጌል
ምምጽራይን ምጽናዕን ኵላትኩም ብጸጋ መማቕልተይ ስለ ዝኾንኩም፡ ኣብ ልበይ ስለ ዘሎኹም፡
ምእንቲ ኹላትኩም እዚ ኽሐስብ ቅኑዕ እዩ። 8 ብለውሃት ክርስቶስ የሱስ ንኹላትኩም ከመይ ገይረ ኽም
ዝናፍቐኩም፡ ኣምላኽ ምስክረይ እዩ። 9-11 ንኽብሪ ኣምላኽን ምስጋናኡን እቲ ብየሱስ ክርስቶስ ዚርከብ
ፍረ ጽድቂ መሊእኩም፡ ክሳዕ እታ መዓልቲ ክርስቶስ መዓንቀፊ ዜብሎምን ንጹሃትን ምእንቲ ኽትኰኑ፡
እቲ ዚሓይሽ ክትምርምሩ፡ እቲ ፍቕርኹምውን ብፍልጠት ብምስትውዓል ዘበለ ኹሉን ኣዝዩ እናበዝሐ
ኪኸይድ፡ እዚ እልምን ኣሎኹ። 12 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ እቲ ዝበጽሓኒ መከራ ንምስፋሕ ወንጌል ኣዝዩ
ኸም ዝጠቐመ፡ ክትፈልጡ እደሊ ኣሎኹ። 13 እቲ ማእሰርተይ ብክርስቶስ ምዃኑ ኣብ ብዘሎ ሰፈር
ዘብዔኛታትን ኣብ ኵላቶም ካልኦትን ተገልጸ። 14 ዚበዝሑ ኻብቶም ኣሕዋት ድማ በቲ ማእሰርተይ ኣብ
ጐይታ ጸኒዖም፡ ብዘይ ፍርሃት ቃል ኣምላኽ ንምንጋር ኣዝዮም ደፈሩ። 15 ገሊኦም ብቕንእን ባእስን፡
ገሊኦም ግና ብጽቡቕ ፍቓድ ንክርስቶስ ይሰብክዎ ኣለዉ። 16 እቶም ሓደ ወገን ንጥብቕነት ወንጌል ከም
እተመደብኩ ፈሊጦም ብፍቕሪ ይሰብኩ፡ 17 እቶም ሓደ ወገን ግና ኣብ ርእሲ ማእሰርተይ ጸበባ
ኬምጽኡለይ ሐሲቦም፡ ብቕንዕና ዘይኰነስ ፡ ብሻራ ንክርስቶስ ይሰብክዎ ኣለዉ። 18 እንታይ ደኣ እዩ ፧
እንተ ብምኽንያት እንተ ብሓቂ፡ ብዝኾነ ኾይኑስ ክርስቶስ ይስበኽ ኣሎ እሞ፡ በዚ እሕጐስ ኣሎኹ
ኽሕጐስውን እየ። 19 እዚ ድማ ብጸሎትኩምን ብደገፍ መንፈስ የሱስ ክርስቶስን ንምድሓነይ ከም
ዚኸውን፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 20-21 ንኣይ ህይወተይ ክርስቶስ እዩ፡ ሙማተይውን ረብሓይ እዩ እሞ፡ ከምቲ
ሃረርታይን ተስፋይን ብገለ ኸይሐፍር፡ ከምቲ ኹሉ ሳዕ ሕጂውን ብትብዓት ደኣ፡ ብህይወት እንተ
ኾይኑ ወይስ ብሞት፡ ክርስቶስ ብስጋይ ኪኸብር እዩ። 22 እቲ ብስጋ ምንባረይ፡ እዚ ፍረ ዕዮይ እንተ
ኾይኑ፡ ኣየናይ ከም ዝሐሪ፡ ኣይፈልጥን እየ። 23 በዘን ክልተ እዚኣተን እጭነቕ ኣሎኹ፡ ንኣይ ኣዝዩ
ዚሓይሽ እዩ እሞ፡ ክፋኖ ምስ ክርስቶስውን ክነብር ሃረርታ ኣሎኒ። 24 ግናኸ እቲ ብስጋ ምጽናሕ
ምእንታኻትኩም ኣዝዩ ዜድሊ እዩ። 25-26 ከም ብሓድሽ ናባኻትኩም ብምምላሰይ እቲ ትምክሕትኩም
ብክርስቶስ የሱስ ኣባይ ምእንቲ ኺዓዝዝ፡ እዚ ድማ ንናይ እምነትኩም ምዕባይን ሓጐስን ከም ዝጸንሕ
ተረዲኤ፡ ምስ ኵላትኩም ከኣ ከም ዝነብር፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 27-28 ካብቶም ተጻረርቲ ብሓደ ነገር እኳ
ኸይሰምበድኩም፡ እዚ ንኣታቶም ንጥፋኣት፡ ንኣኻትኩም ግና ንምድሓን ምልክት እዩ፡ እዚ ኸኣ ካብ
ኣምላኽ እዩ፡ መጺኤ ኽርእየኩም እንተ ኾይነ ወይስ ከየሎኹ፡ ስለ እምነት ወንጌል ብሓንቲ ነፍሲ
ምሳይ እናተጋደልኩም፡ ብሓደ መንፈስ ቀዋ ኢልኩም ከም እትቜሙ ምእንቲ ኽሰምዕ፡ ሓንትስ
ንብረትኩም ንወንጌል ክርስቶስ ዚበቅዕ ጥራይ ይኹን። 29-30 እቲ ኣባይ ዝርኤኹምዎ ሕጂውን ኣባይ

እትሰምዕዎ ዘሎኹም ገድሊ፡ ከምኡ ዝበለ እናበጽሓኩም፡ ሳላ ክርስቶስ ምእንታኡ መከራ ድማ ክትጸግቡ እምበር፡ ብእኡ ኽትኣምኑ ጥራይ ኣይኰነን ጸጋ ተውሂብኩም ዘሎ።

## ምዕራፍ 2

1 እምብኣርሲ ገለ ምጽንናዕ ብክርስቶስ፡ ወይስ ገለ ደበሳ ናይ ፍቕሪ፡ ወይስ ገለ ሕብረት መንፈስ፡ ወይስ
ገለ ምሕረትን ድንጋጽን እንተሎ፡ 2 ብሓንቲ ሓሳብ ብምዃንኩም፡ ብሓንቲ ፍቕሪ ብምህላውኩም፡
ብሓንቲ ነፍሲ ኴንኩም ሓደ ብምሕሳብኩም ሓጐሰይ መልኡ። 3 ሓንቲ እኳ ንርእሰይ ይጥዓመኒ
ብምባል ወይስ ንውዳሴ ኸንቱ ኣይትግበሩ፡ ብትሕትና ግና እቲ ሓደ ነቲ ሐደ ኻብ ርእሱ ኣብሊጹ
ይርኣዮ። 4 ነፍሲ ወከፍ ንብጻዩ ድማ እምበር፡ ነፍሲ ወከፍ ንርእሱ ዚሔሾ ኣይጠምት። 5 እቲ ኣብ
ክርስቶስ የሱስ ዝነበረ ሓሳብ ኣባኻትኩምውን ይሃሉኹም። 6 ንሱ ብመልክዕ ኣምላኽ ክነሱ፡ ነቲ ማዕረ
ኣምላኽ ምዃኑ ኸም ምምንዛዕ ኣይረኣዮን። 7 መልክዕ ባርያ ወሲዱ ርእሱ ኣሕሰረ፡ ሰብውን መሰለ፡
ብንብረቱ ኸም ሰብ ኰይኑ ተረኸበ። 8 ርእሱ ኸሳዕ ሞት ኣትሐተ፡ ክሳዕ ሞት ኣብ መስቀል እኳ ደኣ
ተኣዘዘ። 9-11 ስለዚ ኸኣ ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ዅሉ ብርኪ ብስም የሱስ
ምእንቲ ኺምብርከኽ፡ ልሳን ዘበለውን ንኽብሪ እግዚኣብሄር ኣቦ ኢሉ የሱስ ክርስቶስ ጐይታ ምዃኑ
ኺእመን እዩ ኣምላኽ ናብ ልዕሊ ዅሉ ልዕል ዘበሎ፡ ካብ ኵሉ ስም ልዕል ዝበለ ስምውን ዝሃቦ። 12-13
ደጊም፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ እቲ ምእንቲ ጽቡቕ ፍቓዱ ኢሉ፡ ኣባኻትኩም ድሌትን ግብርን ዚገብርሲ
ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ከየሎኹ ግዳ እቲ ዚበዝሕ እምበር፡ ከሎኹ ጥራይ ዘይኰነ፡ ከምቲ ዅሉ ሳዕ
እተኣዘዝኩም፡ ብፍርሃትን ራዕድን ንምድሓንኩም ፈጽሙ። 14-16 ንኸንቱ ኸም ዘይጐየኹ ወይስ ንኸንቱ
ኸም ዘይጸዓርኩ፡ ነቲ ቓል ህይወት ሒዝኩም በታ መዓልቲ ክርስቶስ ንትምክሕተይ ምእንቲ ኽትኰኑ፡
ኣብ ማእከል እዚ ቘናንን ጠዋይን ወለዶ እዚ መንቅብ ዜብሎምን ግሩሃትን ሕፍቲ ዜብሎም ውሉድ
ኣምላኽ ኴንኩም፡ ከም ብርሃናት ኣብ ዓለም እትበርሁ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ ንዅሉ ብዘይምጕርምራምን
ብዘይውልውልን ግበርዎ። 17 ግናኸ ኣብቲ ናይ እምነትኩም መስዋእትን ኣገልግሎትን እንተ ተሰዋእኩ፡
ባህ ይብለኒ፡ ምስ ኵላትኩምውን እሕጐስ አሎኹ። 18 ንስኻትኩም ድማ ከምኡ ባህ በሉ ምሳይውን
ተሐጐሱ። 19-20 ብናይ ህልዋትኩም ከምታ ነፍሰይ ሐሲቡ ብንጹህ ልቢ ዚሓሊ ሓደ እኳ የብለይን እሞ፡
ኣነ ብዛዕባኻትኩም ፈሊጠ ምእንቲ ባህ ኪብለኒ፡ ቀልጢፈ ንጢሞቴዎስ ክልእከልኩም፡ ብጐይታና
የሱስ ተስፋ እገብር አሎኹ። 21 ኵላቶም ነናይ ርእሶም እዮም ዚደልዩ፡ ነቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ
ኣይኰነን። 22 ግናኸ ውሉድ ነቦኡ ኸም ዜገልግል፡ ንሱውን ምሳይ ንወንጌል ብምግልጋሉ ፍቱን ምዃኑ
ትፈልጡ ኢኹም። 23 እምብኣርሲ ኣባይ ከመይ ከም ዚኸውን ምስ ርኤኹ፡ ቀልጢፈ ንእኡ ኽሰደልኩም
ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 24 ኣነ ባዕለይውን ቀልጢፈ ኸም ዝመጽእ፡ ብጐይታ እኣመን አሎኹ። 25-26
ንኤጳፍሮዲጦስ፡ ሓወይን መዓይይተይን መተዓቕይተይን ልኡኽኩም፡ ኣነ ብዝደልዮ ኣገልጋልን ግና፡
ንዅላትኩም ስለ ዝናፈቖን ምሕማሙ ብምስማዕኩም ስለ ዝጕሃየን፡ ናባኻትኩም ክሰዶ ብግዲ ኾነኒ።
27 ሐሚሙስ ብሓቂ ንሞት ቀሪቡ ነይሩ፡ ግናኸ፡ ኣምላኽ ምሒርዎ ሓዘን ኣብ ልዕሊ ሓዘን ምእንቲ
ኸይውሰኸኒ፡ ንኣይ ድማ እዩ እምበር፡ ንእኡ ጥራይ ኣይኰነን። 28 ስለዚ፡ ምስ ርኤኹምዎ ኸም ብሓድሽ
ምእንቲ ኽትሕጐሱ፡ ኣነውን፡ እቲ ሓዘነይ ምእንቲ ኪቐልል፡ ቀልጢፈ ሰደድክዎ። 29-30 ደጊም ንሱ እቲ
ኻባኻትኩም ዝጐደለኒ ምእንቲ ኺምልእ፡ ነብሱ ቐቢጹ ምእንቲ ዕዮ ክርስቶስ ክሳዕ ሞት ቀሪቡ ነይሩ
እዩ እሞ፡ ብዅሉ ሓጐስ ብጐይታ ተቐበልዎ፡ ነዞም ከምዚኣቶም ዘመሰሉ ኣኽብርዎም።

## ምዕራፍ 3

1 ብዝተረፈ፡ ኣሕዋተየ፡ ብጐይታ ባህ ይበልኩም። እዚ መሊሰ ንምጽሓፉ ንኣይ ጭንቂ ነገር ኣይኰነን፡
ንኣኻትኩም ግና ንጽንዓትኩም እዩ። 2 ካብ ኣኽላባት ተጠንቀቑ፡ ካብ እኩያት ዓየይቲ ተጠንቀቑ፡ ካብ
ምቍርራጽ ተጠንቀቑ። 3 ንሕና ንኣምላኽ ብመንፈስ እነገልግሎ፡ ብየሱስ ክርስቶስ ተመኪሕናውን ብስጋ
ዘይንእመን ግዝረት ንሕና ኢና፡ 4 ብስጋ እኳ ዝእመነሉ ዘሎኒ ኽነሰይ፡ ንሓደ ኻልእ ብስጋ ዚእመነሉ
ዘለዎ እንተ መሰሎ፡ ኣነ ግዳ ዝበለጸ ኣሎኒ። 5 ኣነ ብሳምነይቲ መዓልቲ እተገዘርኩ፡ ካብ ዓሌት
እስራኤል፡ ካብ ነገድ ብንያም፡ እብራዊ ኻብ እብራውያን፡ ብሕጊ ፈሪሳዊ፡ 6 ብቕንኣት ሰጓጒ ማሕበር፡
ብጽድቂ ሕጊውን መንቅብ ዜብለይ እየ። 7 እዚ ንኣይ ረብሓ ዝነበረ ግና ስለ ክርስቶስ ኢለ ኸም ወጽዓ
ቈጸርክዎ። 8-9 ኣየን እሞ፡ ብእምነት ክርስቶስ እቲ ብእምነት ካብ ኣምላኽ ዚርከብ ጽድቂ እምበር፡ እቲ
ብሕጊ ዚመጽእ ጽድቀይ ሒዘ ኣይኰንኩን፡ ንክርስቶስ ምእንቲ ኽረብሕ ብእኡውን ክርከብ፡ ብሓቂ ስለ
እቲ ብሉጽ ፍልጠት ክርስቶስ የሱስ ጐይታይ ኢለ፡ ስሊኡ እዚ ኹሉ እተወጻዕኩ፡ ኲሉ ኸም ወጽዓ
እቘጽሮ፡ ከም ጐሓፍ እቘጽሮ ኣሎኹ። 10-11 ብዝኾነ ኾይኑ ናብ ትንሳኤ ምዉታት እንተ ኣርከብኩ
ኢለ፡ ብሞቱ እናመሰልክዎ፡ ንእኡን ሓይሊ ትንሳኤኡን ሕብረት መከራኡን ምእንቲ ኽፈልጥ፡ ኲሉ ኸም
ወጽዓ እቘጽሮ ኣሎኹ። 12 ኣነ ነቲ ንእኡ ክኸውን ብክርስቶስ የሱስ እተረኸብኩ ምእንቲ ኽረኽቦ፡
ንቕድሚት እደፍእ ኣሎኹ እምበር፡ ቅድሚ ሕጂ ኸም ዝረኸብክዎ ወይስ ቅድሚ ሕጂ ፍጹም ከም
ዝኾንኩ ኣይኰነን። 13 ኣሕዋተየ፡ ኣነ ብርእሰይ ከም ዝረኸብክዎ ኣይመስለንን ኣሎ። ሓደ ነገር ደኣ
ኣሎኒ፤ ኣብ ድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ፡ ነቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ፡ 14 ናብቲ ሕንጹጽ ዕላማ
ኣቢለ፡ ናብቲ ዓስቢ ዓወት ናይ ላዕሊ ጽውዓ ኣምላኽ ብክርስቶስ የሱስ እጐዪ ኣሎኹ። 15 እምብኣርሲ
ፍጹማት ዘበልና ኹልና እዚ ንሕሰብ ብገለ ነገር ሓሳብኩም ንበይኑ እንተ ኾይኑ ድማ፡ ንእኡውን
ኣምላኽ ኪገልጸልኩም እዩ። 16 እዚ ጥራይ፡ በቲ ዝበጻሕናዮ መጠን ብሓደ መገዲ ንመላለስ። 17
ኣሕዋተየ፡ ንኣይ ምሰሉ፡ ከምቲ ንሕና ኣርኣያ ዝኾንናኩም፡ ኣብቶም ከምኡ ኢሎም ዚመላለሱ
ኣስተብህሉ። 18 ከምቲ ብዛዕባኦም ብዙሕ ሳዕ ዝበልኩኹም፡ ሕጂውን እናበኼኹ እብል ኣሎኹ፡
ብዙሓትሲ ጸላእቲ መስቀል ክርስቶስ ኰይኖም ይመላለሱ እዮም። 19 መወዳእታኦም ጥፍኣት እዩ፡
ኣምላኾም ከብዶም እዩ፡ ክብረቶምውን ኣብ ነውሮም እዩ፡ ሓሳቦም ከኣ ናይ ምድሪ እዩ። 20 ንሕና ግና
ሃገርና ኣብ ሰማያት እያ፡ ካብኣውን መድሓኒ፡ ንሱ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ንጽበ ኣሎና። 21 ንሱ በቲ
ንዅሉ ኺመልከሉ ዚከኣሎ ሓይሊ ነቲ ኽቡር ስጋኡ ምእንቲ ኺመስል፡ ነዚ ናይ ውርደት ስጋና
ኺልውጦ እዩ።

## ምዕራፍ 4

1 እምብኣርሲ፡ ኣቱም ኣነ ዘፍቅረኩምን ዝናፍቐኩምን፡ ሓጐሰይን ኣኽሊለይን፡ ፍቁራት ኣሕዋተይ፡
ከምዚ ኺንኩም ብጐይታ ጽንዑ። 2 ሓሳበን ብጐይታ ሓንቲ ኽትከውን፡ ንኤዎድያ እምዕድ፡
ንስንጥኬውን እምዕድ ኣሎኹ። 3 እወ፡ ኣታ እሙን ሲሲጎስ፡ ንኣኻውን ክትድግፈን እልምነካ ኣሎኹ።
ንሳተን ምስ ቅሌምንጦስን ምስቶም ስሞም ኣብ መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፈ ኻልኦት መዓይይተይን
ምሳይ ብወንጌል ዝጸዓራ እየን። 4 ብጐይታ ኹሉ ሳዕ ተሐጐሱ፡ ደጊመ፤ ተሐጐሱ፡ እብል ኣሎኹ። 5 እቲ
ለውሃትኩም ኣብ ኲሉ ሰብ ይፈለጥ፡ እግዚኣብሄር ቀረባ እዩ። 6 ድሌትኩም ዘበለስ ብጸሎትን ልማኖን
ምስናይ ምስጋና ኣብ ኣምላኽ ይፈለጥ ኣምበር፡ ብገለ እኳ ኣይትጨነቑ። 7 እቲ ኻብ ኲሉ ኣእምሮ

ዚበልጽ ሰላም ኣምላኽ ድማ ንልብኹምን ሓሳብኩምን ብክርስቶስ የሱስ ኪሐልዎ እዩ። [8] ብዝተረፈስ፡ ኣሕዋተየ፡ ሓቂ ዘበለ፡ ርዝነት ዘለዎ ዘበለ፡ ቅኑዕ ዘበለ፡ ንጹህ ዘበለ፡ ተፈታዊ ዘበለ፡ ጽቡቕ ወረ ዘለዎ ዘበለ፡ ገለ ደግነት እንተ ኾይኑ፡ ገለ ንእዶውን እንተ ኾይኑ፡ ብእኡ ሕሰቡ። [9] ነቲ ኻባይ እተመሃርኩምዎን እተቐበልኩምዎን ዝሰማዕኩምዎን ኣባይውን ዝርኤኹምዎን እዚ ግበርዎ እሞ ኣምላኽ ሰላም ምሳኻትኩም ኪኸውን እዩ። [10] ደጊምሲ ኽትሐስቡለይ ሓድሽ ህይወት ሕጂ ስለ ዝረኸብኩም፡ ብጐይታ ብዙሕ እሕጐስ አሎኹ፡ ዘይሰለጠኩም ደኣ ኾይኑ እምበር፡ ቀደም ከኣ ሐሲብኩም ኔርኩም። [11] ኣነስ በቲ ዘሎኒ ይኣኽለኒ ምባል ተምሂረ እየ እሞ፡ ስኢነ ስለ ዘሎኹ ኣይኰንኩን እዚ ዝብሎ ዘሎኹ። [12] ትሕት ምባል እፈልጥ፡ ሕልፍን ትርፍን እፈልጥ እየ። ጽጋብን ጥሜትን ምስ ትርፉ ምህላውን ስእነትን፡ ኣብ ኵሉን ብዅሉን ልሙድ እየ። [13] በቲ ሓይሊ ዚህበኒ ብክርስቶስ ንዅሉ ክኽእሎ እየ። [14] ኣብቲ ጸበባይ ብምሕባርኩም ግና ጽቡቕ ገበርኩም። [15] ኣቱም ሰብ ፊልጲ፡ በቲ ናይ ወንጌል መጀመርታ ኻብ መቄዶንያ ምስ ወጻእኩ፡ ብጀካኻትኩም ጥራይ ካብ ማሕበር ብናይ ምሃብን ምውሳድን ሓደ እኳ ምሳይ ከም ዘይሐበረ፡ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። [16] ኣብ ተሰሎንቄውን ሓደ ጊዜን ካልኣይ ጊዜን ዜድልየኒ ሰዲድኩምለይ። [17] ኣነስ እቲ ፍረ ንኣኻትኩም ኪበዝሓልኩም ኢለ እየ እምበር፡ ውህበትኩም ደልየ ኣይኰንኩን። [18] ሕጂ ግና ኵሉ አሎኒ፡ ምስ ትርፉውን አሎኒ። እቲ ካባኻትኩም ብኢድ ኤጳፍሮዲጦስ ዝመጸ ምዑዝ ሽታ፡ ስሙር ንኣምላኽ ዜሐጕስ መስዋእቲ፡ ምስ ተቐበልኩ ድማ፡ መሊኤ አሎኹ። [19] ኣምላኸይ ከኣ፡ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብኽብሪ ብክርስቶስ የሱስ ገይሩ፡ ድሌትኩም ዘበለ ኺመልኣልኩም እዩ። [20] ግናኸ ንኣምላኽናን ኣቦናን ንዘለኣለመ ኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን። [21] ነቶም ብክርስቶስ የሱስ ቅዱሳን ንነፍሲ ወከፎም ሰላም በልዎም። እቶም ምሳይ ዘለዉ ኣሕዋትውን ሰላም ይብሉኹም አለዉ። [22] ኵሎም እቶም ቅዱሳን፡ ምናዳ እቶም ካብ ቤት ቄሳር ዘበሉ፡ ሰላም ይብሉኹም አለዉ። [23] ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ መንፈስኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ቆሎሴ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ የሱስ ክርስቶስ፡ ጢሞቴዎስ ሓውናውን፡ 2 ነቶም ኣብ ቈሎሴ ዘለዉ
ቅዱሳንን ብክርስቶስ ኣመንቲ ኣሕዋትን፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን
ሰላምን ይውረድኩም። 3-4 እታ ብክርስቶስ የሱስ እምነትኩምን ንዅሎም ቅዱሳን ዘላትኩም ፍቕርን ምስ
ሰማዕና፡ ኵሉ ሳዕ ምእንታኻትኩም እናጸሌና፡ ንኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ነመስግን ኣሎና።
5 ስለ እቲ ኣብ ሰማያት ተኣርኒቡልኩም ዘሎ ተስፋ ቐደም ብዛዕባኡ ብናይ ሓቂ ቃል ወንጌል
ዝሰማዕኩምዎ እሞ፡ 6 ናባኻትኩም ዝመጸ ኣብ ኵላ ዓለምውን እናፈረየን እናዓበየን ዚኸይድ ዘሎ፡ ካብታ
ንጸጋ ኣምላኽ ብሓቂ ዝሰማዕኩምላን ዝፈለጥኩምላን መዓልቲ ጀሚሩ ድማ ኣባኻትኩም ዘሎ፡ 7 ከምቲ
ኻብ ኤጳፍራስ፡ እቲ ፍቁር መዓይይትና ምእንታኻትኩምውን እሙን ኣገልጋሊ ክርስቶስ፡
እተመሃርኩምዎ፡ 8 ፍቕርኹም ብመንፈስ ዘፍለጠናውን ንሱ እዩ። 9 ስለዚ ንሕና ኸኣ ካብታ ዝሰማዕናላ
መዓልቲ ጀሚርና፡ በቲ ፍልጠት ፍቓዱ ብዅሉ መንፈሳዊ ጥበብን ኣእምሮን ኪመልኣኩም፡
ምእንታኹም ጸሎትን ልማኖን ኣየብኰርናን። 10 ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ዅሉ፡ ፍረ እናፈሬኹምን
ብፍልጠት ኣምላኽ እናዓቤኹምን ብዅሉ ንእግዚኣብሄር ባህ ከተብሉ ንእኡ ብቑዓት ኴንኩም
ክትመላለሱ፡ ንጽሊ ኣሎና። 11 ብሓጐስ ብጽንዓት ዘበለ ዅሉ፡ ንብዘሎ ትዕግስትን ዓቕልን ብሓይሊ
ኽብሩ በርቲዕኩም፡ 12 ነቲ ናብ ግደ ርስቲ ቅዱሳን ኣብ ብርሃን ዘብቅዓና ኣቦ እናኣመስገንኩም፡ 13 ንሱ
ኻብ ስልጣን ጸልማት ዘውጽኣና፡ ናብታ መንግስቲ ፍቁር ወዱውን ኣእተወና። 14 ኣብኡ ምድሓንና፡
ማለት ሕድገት ሓጢኣት፡ ዘሎና፡ 15 ንሱ መልክዕ እቲ ዘይርኤ ኣምላኽ፡ በዅሪ ዅሉ ፍጥረትውን እዩ። 16
ኣብ ሰማያትን ኣብ ምድርን ዘሎ፡ ዚርኤን ዘይርኤን፡ ዝፋናት ኰኑ ወይስ ጐይትነት፡ ሕልቅነት ወይስ
ስልጣናት፡ ኵሉ ብእኡ ተፈጢሩ ኣሎ እሞ፡ ኵሉ ብእኡን ንእኡን እዩ እተፈጥረ። 17 ንሱ ኸኣ ቅድሚ
ዅሉ እዩ፡ ኵሉውን ብእኡ ቈይሙ ኣሎ። 18 ንሱ ነቲ ስጋኡ ድማ ርእሱ እዩ፡ ማለት ንማሕበር፡ ብዅሉ
ነገር ቀዳማይ ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ ንሱ መጀመርያ እዩ፡ ካብ ምዉታትውን በዅሪ እዩ። 19 ብዘሎ
ምልኣት ኣብኡ ኺሐድር፡ ኣቦ ሰሚርዎ ኣሎ እሞ፡ 20 ብእኡ ብደም መስቀሉ ገይሩ ሰላም ምስ ገበረ ኸኣ፡
ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎን ኣብ ሰማያት ዘሎን ዘበለ ዅሉ ንርእሱ ተዓሪቕዎ እዩ። 21 ንኣኻትኩም፡ ቀደም
ፍሉያት ብሓሳብኩም ብኽፉእ ግብሩኹምን ጸላእቲ ዝነበርኩም ከኣ፡ 22-23 ካብቲ ዝሰማዕኩምዎ ተስፋ
ናይቲ ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንዘሎ ዅሉ ፍጡር እተሰብከ ወንጌል፡ ኣነ ጳውሎስ ዘገልጋሊኡ፡
ከይተናቓነቕኩም፡ ተሰሪትኩምን ደልዲልኩምን ብእምነት እንተ ጸናዕኩምሲ፡ ኣበርን ነቐፋን ዜብሎም
ቅዱሳን ገይሩ፡ ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ኬቑመኩም፡ ሕጂ ብሰብነት ስጋኡ ብሞቱ ገይሩ ዓረቐኩም። 24
ሕጂ በቲ ምእንታኹም ዝኾነ ጸበባይ እሕጐስ ኣሎኹ፡ ምእንቲ ስጋኡ፡ ንሳ ድማ እታ ማሕበር እያ፡
ብስጋይ ነቲ ጐደሎ መከራ ክርስቶስ እምልእ ኣሎኹ። 25 ኣነ፡ ከምቲ ንኣይ ናባኻትኩም እተዋህበ
መጋቢነት ኣምላኽ፡ ቃል ኣምላኽ ኣብ ኵሉ ኽመልእ እየ ኣገልጋሊ ማሕበር ዝኾንኩ። 26 ማለት፥ እቲ
ኻብ ዘለኣለምን ካብ ውሉድ ወለዶን ተሰዊሩ ዝነበረ ሎሚ ግና ንቕዱሳኑ እተገልጸ ምስጢር፡ 27 ሃብቲ
ኽብሩ ነዚ ምስጢር እዚ ኣብ ኣህዛብ እንታይ ምዃኑ ኼፍልጥ ንዝደለዮም፡ ንሱውን ክርስቶስ
ኣባኻትኩም፡ ተስፋ ኽብሪ እዩ። 28 ንሕና ድማ፡ ንዅሉ ሰብ ብክርስቶስ ምሉእ ጌርና ኸነቕሞ፡ ብጥበብ

ዘበለ ንኹሉ ሰብ እናመዓድና፡ ንኹሉ ሰብውን እናመሃርና ንነግር አሎና። [29] ነዚ ድማ ኣነ፡ ብመጠን እቲ
ኣባይ ብሓይሊ ዚገብር ዘሎ ግብሩ እናተጋደልኩ፡ እጽዕር አሎኹ።

## ምዕራፍ 2

[1] ምእንታኹምን ምእንቲ እቶም ኣብ ሎዲቅያ ዘለዉን ምእንቲ እቶም ገጻይ ብስጋ ዘይረኣዩን ከኣ፡ ከመይ
ዝበለ ዓብዪ ጻዕሪ ኸም ዘሎኒ፡ ክትፈልጡ እደሊ አሎኹ። [2] ብፍቕርን ብኹሉ ሃብቲ ናይ ምሉእ
ኣእምሮን፡ ንፍልጠት እቲ ምስጢር ኣምላኽ፡ ንሱ ኸኣ ክርስቶስ፡ ብሓደ ሰሚሮም ልቦም ምእንቲ
ኺጸናናዕ፡ [3] ብዘሎ መዝገብ ጥበብን ፍልጠትን ኣብኡ ተሰዊሩ አሎ። [4] ሓደ እኳ ብቓል ቅብጥር
ከየስሕተኩም ኢለ እየ እዚ ዝብል ዘሎኹ። [5] ብስጋ እኳ ምሳኻትኩም እንተ ዘየሎኹ፡ ብመንፈስ
ምሳኻትኩም እየ፡ ስርዓትኩምን ጽንዓት እምነትኩም ብክርስቶስን እናርኤኹውን እሕጐስ አሎኹ። [6]
ደጊም ከምቲ ንጐይታና ክርስቶስ የሱስ እተቐበልኩምዎ፡ ከምኡ ኢልኩም ብእኡ ተመላለሱ። [7] ኣብኡ
ተሰሪትኩምን ተሃኒጽኩምን ብምስጋና መሊእኩም፡ ከምቲ እተመሃርኩምዎ ኼንኩም ብእምነት ጽንዑ።
[8] ከም ናይ ክርስቶስ ዘይኰነስ፡ ብልማድ ሰብ፡ ከም ምህሮ ቕልዕነት እዛ ዓለም እዚኣ፡ ብጥበብ ዓለምን
ብኸንቱ ምጥባርን ሓደ እኳ ኸይማርኸኩምሲ፡ ተጠንቀቑ። [9] ኣብኡ ብዘሎ ምልኣት መለኮት ብስጋ
ሐዲርዎ እዩ እሞ፡ [10] ንሱ ርእሲ ኹሉ ሕልቅነትን ስልጣንን እዩ፡ ንስኻትኩምውን ብእኡ ተመሊእኩም
አሎኹም። [11] ንስኻትኩም ድማ ብግዝረት ክርስቶስ ነቲ ናይ ስጋ ሰብነት ቀንጢጥኩም ብኢድ
ብዘይኰነት ግዝረት ብእኡ ተገዘርኩም። [12] ብጥምቀትውን ምስኡ ተቐበርኩም፡ ብግብሪ እቲ ኻብ
ምዉታት ዘተንስኦ ኣምላኽ ድማ ምስኡ ተንሳእኩም። [13] ንብዘሎ ኣበሳና ይቕረ ኢሉ፡ ብኣበሳኹምን
ብዘይ ግዝረት ስጋኹምን መዊትኩም ንዝነበርኩም፡ ንኣኻትኩምውን ምስኡ ህያዋን ገበረኩም። [14] ነቲ
ብሕጋጋት ዚቃወመናን ዚበኣሰናን ዝነበረ ብኢድ እተጻሕፈ ጽሕፈት ዕዳ ደምሲሱ ኸኣ፡ ንእኡ ኣብ
መስቀል ሸንኪሩ ኻብ ማእከል ኣርሐቖ። [15] ነቶም ሕልቅነታትን ስልጣናትን ኣጽዋሮም ገፊፉ፡ ብእኡ
እናፈከረሎም ከኣ፡ ብግልጺ ኣስተሐፈሮም። [16] ደጊም ብብልዕን መስተን፡ ወይ ብምብዓል በዓላት፡ ወይ
ብሰርቂ ወርሒ፡ ወይ ብሰናብቲ ዝመጸ፡ ሓደ እኳ ኣይፍረድኩም። [17] እዚ ነቲ ዚመጽእ ጽላሎት እዩ፡ እቲ
ስጋ ግና ክርስቶስ እዩ። [18] ሓደ እኳ፡ ትሕትና ብዚመስልን ብስግደት ንመላእኽትን ገይሩ፡ ንሱ ኣብ
ዘይረኣዮ ነገር እናተሐወሰ በእምሮ ስጋኡ ብኸምኡ ዚንፋሕ፡ ነቲ ዓስቢ ዓወት ኣይዘርፍኩም። [19] ኣብቲ
ብዘሎ እቲ ስጋ ብጅማትን መፈላልዮን ተዳጋጊፉን ብሓደ ተጋጢሙን ብምዕባይ ኣምላኽ ዚዓብየሉ
ኣብቲ ርእሲ ኸይጸንዔ፡ ሓደ እኳ ነቲ ዓስቢ ዓወት ኣይዘርፍኩም። [20-22] እምብኣርከ ኻብ ምህሮ
ቕልዕነት እዛ ዓለም እዚኣ ምስ ክርስቶስ ካብ ሞትኩም፡ ስለምንታይ ደኣ ኣብዛ ዓለም ከም ዘሎኹምሲ፡
ከም ናይ ሰብ ትእዛዛትን ምህሮን ገይሮም፥ ኣይትሐዝ፡ ኣይትጥዓም፡ ኣይትተንኪ፡ ኢሎም ሕጋጋት
ዚሕግጉልኩም፡እዚ ኹሉ ተተገይሩስ ንሕልፈቱ እዩ፡ [23] እዚ ብትሑት ሓሳብን ብምሕሳም ስጋን ዚግበር
ናይ ፍቓድ ርእስኻ ኣምልኾ፡ ሕብሪ ጥበብሲ አለዎ፡ ግናኸ ንምጽጋብ ስጋ እዩ እምበር፡ ንገለ እኳ
ኣይጠቅምን እዩ።

## ምዕራፍ 3

[1] ደጊም ምስ ክርስቶስ ተንሲእኩም እንተ ኼንኩምሲ፡ ነቲ ክርስቶስ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐሚጥዎ

ዘሎ፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ድለዩ። [2-3] መዊትኩም ኢኹም፡ እታ ህይወትኩም ድማ ምስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ተሰዊራ ኣላ እሞ፡ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕሰቡ፡ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣይኰነን። [4] ክርስቶስ ህይወትና ምስ ዚግለጽ፡ ሽው ንስኻትኩምውን ምስኡ ብኽብሪ ኽትግለጹ ኢኹም። [5] ስለዚ ነቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኣካላትኩም ቅተሉ፡ ምንዝርና፡ ርኽሰት፡ ፍትወት ስጋ፡ ከፉእ ትምኒት፡ ስስዔ፡ እዚ ድማ ኣምልኾ ጣኦት እዩ፡ [6] ብሰሪ እዚ ነገርዚ እቲ ቝጥዓ ኣምላኽ ኣብቶም ደቂ ዘይምእዛዝ ይወርድ እዩ። [7] ንስኻትኩምውን፡ ኣብኡ ኽትነብሩ ኸሎኹም፡ ቀደም ብእኡ ትመላለሱ ኔርኩም። [8] ሕጂ ግና ንስኻትኩም እዚ ዅሉ ድማ፥ ኵራ፡ ምንጽርጻር፡ ክፍኣት፡ ጸርፊ፡ ዜሕፍር ዘረባውን ካብ ኣፍኩም ኣርሕቑ። [9-10] ንስኻትኩም፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቐንጢጥኩም፡ ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ ጌርኩም፡ ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም፡ ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰዉ። [11] ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን እዩ እምበር፡ ኣብኡስ ጽርኣውን ኣይሁዳውን፡ ግዙረትን ዘይግዙረትን፡ ባርባን ስኪትን፡ ባርያን ጭዋን የልቦን። [12] እምብኣርሲ ኸም ሕሩያት ኣምላኽን ቅዱሳንን ፍቁራትን ኰንኩም፡ ምሕረት ልቢ፡ ለውሃት፡ ትሕትና፡ ዓቕሊ፡ ትዕግስቲ ልበሱ። [13] ንሓድሕድኩም እናተጻወርኩም፡ እቲ ሓደ ኣብቲ ሓደ ኸሲ እንተለዎ፡ ይቕረ ተባሃሃሉ። ከምቲ ክርስቶስ ይቕረ ዝበለልኩም፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ይቕረ በሉ። [14] ኣብ ልዕሊ እዚ ዅሉውን ፍቕሪ፡ ማእሰር ፍጻሜ እያ እሞ፡ ልበስዋ። [15] ሰላም ክርስቶስ ከኣ ኣብ ልብኹም ይግዛእ፡ ነዚ ብሓደ ስጋ ተጸዊዕኩም ኢኹም እሞ መማስውቲ ኹኑ። [16] ብመዝሙርን ውዳሴን መንፈሳዊ ቕኔን ንሓድሕድኩም ኣስተምህሩን ምዓዱን፡ ብልብኹምውን ብጸጋ ንኣምላኽ እናዘመርኩም፡ ቃል ክርስቶስ ብዅሉ ጥበብ መሊኡ ይሕደርኩም። [17] ብቓል ኰነ ወይስ ብግብሪ እትገብርዎ ዘበለ ዅሉ ብስም ጐይታና የሱስ ግበርዎ፡ ብእኡ ኸኣ ንእግዚኣብሄር ኣቦ ኣመስግንዎ። [18] ኣትን ኣንስቲ፡ ከምቲ ንጐይታ ዚግባእ ጌርክን ንሰብኡትክን ተኣዘዛእን። [19] ኣቱም ሰብኡት፡ ነንስትኹም ኣፍቅርወን እሞ ኣይትምረርወን። [20] ኣቱም ውሉድ፡ እዚ ኣብ ጐይታ ባህ ዜብል እዩ እሞ፡ ንወለድኹም ብዅሉ ተኣዘዝዎም። [21] ኣቱም ኣቦታት፡ ሕሊናኦም ከይዓርብ፡ ነቶም ውሉድኩም ኣይተኹርይዎም። [22] ኣቱም ግዙኣት፡ ነቶም ብስጋ ጐይተትኩም ዝኾኑ፡ ብገጽርኤ ንሰብ ባህ ከም እተብሉ ጌርኩም ዘይኰነስ፡ ብግሩህ ልቢ ንእግዚኣብሄር እናፈራህኩም ተኣዘዝዎም። [23-24] ነቲ ዓስቢ ርስቲ ኻብ ጐይታ ኸም እትቕበልዎ እናፈለጥኩም፡ እትገብርዎ ዘበለ ንሰብ ዘይኰነስ ንጐይታ ኸም እትገብርዎ ጌርኩም፡ ካብ ልቢ ግበርዎ፥ ንጐይታና ክርስቶስ ኢኹም እትግዝእዎ ዘሎኹም። [25] እቲ ዝዓመጸስ ኣብ ክንዲ እቲ ዝዓመጾ ኺፍደ እዩ፡ ኣድልዎ ገጽውን የብሉን።

# ምዕራፍ 4

[1] ኣቱም ጐይተት፡ ንኣኻትኩምውን ኣብ ሰማይ ጐይታ ኸም ዘሎኩም ፈሊጥኩምሲ፡ ንግዙኣትኩም ቅኑዕን ግቡእን ግበሩሎም። [2] ጸሎት ኣዘውትሩ፡ ብእኡውን ብምስጋና ንቕሑ። [3-4] እቲ ብዛዕባኡ ተኣሲረ ዘሎኹ ምስጢር ክርስቶስ ክንነግርሲ፡ ምዝራቡ ኸም ዚግብኣኒ ምእንቲ ኽገልጾ፡ ኣምላኽ ነቲ ቓሉ ደገ ኪኸፍተልና ምእንታና ድማ ጸልዩ። [5] ጊዜ እናዓደግኩም፡ ምስቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ብጥበብ ተመላለሱ። [6] ንነፍሲ ወከፍ ከም ዚግባእ ከመይ ጌርኩም ክትመልሱ ምእንቲ ኽትፈልጡ፡ ዘረባኹም ብጨው እተቓመመ ዅሉ ሳዕ ብጸጋ ይኹን። [7] ጥኪቆስ፡ እቲ ፍቁር ሓውን እሙን ኣገልጋልን ብጐይታ መዓይይተይን፡ ከመይ ኢለ ኸም ዘሎኹ፡ ኬፍልጠኩም እዩ። [8] ብዛዕባ ህልዋትና ምእንቲ ኽትፈልጡን ልብኹምውን ኬህድእን እየ ንእኡ ናባኻትኩም ዝሰደድክዎ። [9] ምስኡውን ነቲ ኻባኻትኩም ዝኾነ

እሙንን ፍቁርን ሓውና ኦኔሲሞስ ሰዲደዮ ኣሎኹ። ንሳቶም ብናይ ነጀው ዘበለ ኹሉ ኺነግሩኹም እዮም። [10] እቲ ምሳይ እተማረኸ ኣርስጠርኮስ ሰላም ይብለኩም ኣሎ፡ እቲ ብዛዕባኡ ትእዛዝ እተቐበልኩም ማርቆስ፡ ወዲ ሓዉ ኣቦኡ ንበርናባስ፡ ናባኻትኩም እንተ መጸ ኸኣ፡ ተቐበልዎ። [11] ዮስጦስ ዚብሃል የሱስውን፡ ንመንግስቲ ኣምላኽ ምሳይ ዜገልግሉ ንምጽንናዕውን ዚኾኑኒ ዘለዉ ሰብ ግዝረት፡ እዚኣቶም ጥራይ እዮም። [12] እቲ ሓደ ኻባኻትኩም ባርያ ክርስቶስ የሱስ፡ ምሉኣትን ብኹሉ ፍቓድ ኣምላኽ ርዱኣትን ኴንኩም ደው ክትብሉ፡ ኵሉ ሳዕ ብጸሎት ዚጋደለልኩም ዘሎ ኤጳፍራስ ሰላም ይብለኩም ኣሎ። [13] ንሱ ምእንታኹምን ምእንቲ እቶም ኣብ ሎዲቅያን ኣብ ሂራጶሊስን ዘለዉን ብዙሕ ጻዕሪ ኸም ዘለዎ፡ እምስክረሉ ኣሎኹ። [14] ሉቃስ፡ እቲ ፍቑር ሓኪምን ዴማስን ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ። [15] ነቶም ኣብ ሎዲቅያ ዘለዉ ኣሕዋትን ንኒምፋስን ነታ ኣብ ቤቱ ዘላ ማሕበርን ሰላም በልዎም። [16] እዛ ደብዳበ እዚኣ ኣባኻትኩም ምስ ተነበት፡ ኣብ ማሕበር ሎዲቅያ ኸኣ ከም እትንበብ፡ ነታ ኻብ ሎዲቅያ እትመጽእ ንስኻትኩምውን ከም እተንብብዋ ግበሩ። [17] ንኣርኪጶስ ድማ፡ ነታ ብጐይታ እተቐበልካያ ኣገልግሎት ንምፍጻማ ተጠንቀቕ፡ በልዎ። [18] እዚ ሰላምታ እዚ ብኢደይ፡ ብኢድ ጳውሎስ፡ እዩ። መቕውሔይ ዘክሩ። ጸጋ ምሳካትኩም ይኹን። ኣሜን።

# *1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ተሰሎንቄ*

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስን ስልዋኖስን ጢሞቴዎስን ናብ ማሕበር ሰብ ተሰሎንቄ፡ ብእግዚኣብሄር ኣቦናን ብጐይታና
የሱስ ክርስቶስን፡ ጸጋን ሰላምን ይውረድኩም። 2-3 ኣብ ቅድሚ ኣምላኽናን ኣቦናን ነቲ ግብሪ
እምነትኩምን ጻዕሪ ፍቕርኹምን ትዕግስቲ ተስፋኹምን ኣብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ከየብኰርና ኣብ
ጸሎትና ኵሉ ሳዕ እናዘከርናኩም፡ ብዛዕባ ኵላትኩም ንኣምላኽ ነመስግኖ ኣሎና። 4 ኣቱም ብኣምላኽ
ፍቁራት ኣሕዋትና፡ ምሕራይኩም ስለ ዝፈለጥና፡ 5 ኣባኻትኩምን ምእንታኻትኩምን ከመይ ከም
ዝነበርና፡ ከምቲ እትፈልጥዎ፡ እቲ ወንጌልና ብሓይልን ብመንፈስ ቅዱስን ብብዙሕ ምርዳእን ከኣ እዩ
እምበር፡ ብቓል ጥራይ ኣይመጸኩምን። 6 ንስኻትኩምውን ብብዙሕ ጭንቂ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ሓጐስ
ነቲ ቓል ብምቕባልኩም ሰዓብትናን ሰዓብቲ ጐይታናን ኰንኩም። 7 ስለዚ ነቶም ኣብ መቄዶንያን
ኣካይያን ዘልዉ ኵላቶም ኣመንቲ ኣርኣያ ኴንኩምዎም። 8 እምነትኩም ብኣምላኽ ናብ ብዘሎ ስፍራ
ወጺኣ ኣላ እምበር፡ እቲ ቓል ጐይታስ ካባኻትኩም ኣብ መቄዶንያን ኣካይያን ጥራይ ኣይኰነን እተሰምዔ
እሞ፡ ክንዛረበሉ ኣየድልየናን እዩ። 9-10 ነቲ ህያውን ናይ ሓቂ ኣምላኽን ከተገልግሉ፡ ነቲ ኻብ ምዉታት
ዘተንስኦ እሞ ካብቲ ዚመጽእ ቍጥዓ ዜድሕነና ወዱ የሱስ ከኣ ካብ ሰማያት ክትጽበዩ፡ ካብ ጣኦታት
ናብ ኣምላኽ ከመይ ጌርኩም ከም እተመለስኩምን፡ እቲ ናባኻትኩም ምእታውና ኸመይ ዝበለ ኸም
ዝነበረን፡ ብዛዕባና ባዕላቶም ይነግሩ እዮም።

## ምዕራፍ 2

1 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ እቲ ናባኻትኩም ምእታውና ኸንቱ ኸም ዘይኰነ፡ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢሎኹም።
2 ከምቲ እትፈልጥዎ ግና፡ ቅድም ኣብ ፈልጺ መከራ ምስ ጸገብናን ምስ ተዋረድናን፡ ብሓይለ ገደል
ንኣኻትኩም ወንጌል ኣምላኽ ንምንጋር ብኣምላኽ ተባዕና። 3-4 እቲ ምዕዶና ኸኣ ነቲ ልብና ዚምርምር
ኣምላኽ እምበር፡ ንሰብ ባህ ከም እነብል ኣይኰንናን፡ ከምቲ ንወንጌል እሙናት ክንከውን ብኣምላኽ
እተመርመርና፡ ከምኡ ንዛረብ ኣሎና እምበር፡ ካብ ስሕተት፡ ወይስ ካብ ርኽሰት፡ ወይስ ብተንኰል
ኣይኰንናን እሞ፡ 5 ከምቲ እትፈልጥዎ፡ ብቓል ቅብጥር ወይስ እናማሳመስና ብስስዕቲ ከቶ
ኣይመጻእናኩምን፡ ኣምላኽ ምስክርና እዩ። 6 ሃዋርያት ክርስቶስ ብምዃንና ኽነኽብድ ዚክኣለና እኳ
ኸነሱ፡ ካባኻትኩም ኰነ ወይስ ካብ ካልኦት፡ ካብ ሰብሲ ኽብሪ ኣይደሌናን። 7 ኣብ ማእከልኩምሲ፡
ከምታ ዉሉዳ እትሐቍፍ መጥበዊት ኳንና እኳ ደኣ፡ ርሕሩሓት ነበርና። 8 ከምዚ፡ ኣዚኹም ፍቁራትና
ስለ ዝኾንኩም፡ ገዛእ ነፍስና ድማ እምበር፡ ወንጌል ኣምላኽ ጥራይ ኣይኰንናን፡ ከነካፍለኩም እንፈቱን
እንምነን ዝነበርና። 9 ኣሕዋተየ፡ ነቲ ዕዮናን ጻዕርናን ትዝክርዎ ኢኹም እሞ፡ ኣብ ሓደ ኻባኻትኩም
ከይነኽብድ ኢልና፡ ለይትን መዓልትን እናዓየና ወንጌል ኣምላኽ ሰበኽናልኩም። 10 ኣባኻትኩም
እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ብቕድስናን ጽድቅን ብዘይ መንቅብን ምንባርና፡ ንስኻትኩምን ኣምላኽን ምስክር

ኢኹም። 11-12 ከምቲ እትፈልጥዎ፡ ነቲ ንመንግስቱን ክብሩን ዚጽውዓኩም ኣምላኽ ብቑዓት ኴንኩም ክትመላለሱን፡ ንነፍሲ ወከፍኩም ከም ኣቦ ንዉሉዱ ኸመይ ጌርና ንምዕደኩምን ነፋጥነኩምን ንምስክረልኩምን ነበርና። 13 ምእንትዚውን ነቲ ብኣና እተሰብከ ቓል ኣምላኽ ምስ ተቐበልኩምዎ እሞ ንሱ ኣባኻትኩም እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ዚዓዪ ዘሎ፡ ከምቲ ብሓቂ ኰይንዎ ዘሎ ቓል ኣምላኽ እምበር፡ ከም ቃል ሰብ ስለ ዘይተቐበልኩምዎ፡ ንሕና ኸየብኰርና ንኣምላኽ ነመስግኖ ኣሎና። 14 ኣሕዋተየ፡ ንስኻትኩምሲ ነተን ብክርስቶስ የሱስ ኣብ ይሁዳ ዘለዋ ማሕበራት ኣምላኽ ሰዓብተን ኴንኩም ኢኹም እሞ፡ ከምቲ ንሳቶም ብኣይሁድ ሓሰረ መከራ ዝጸገቡ፡ ንስኻትኩምውን ከምኡ ብደቂ ዓድኹም መከራ ጸገብኩም። 15-16 ንጐይታና የሱስን ንነብያትን ዝቐተልዎም ንኣናውን ዚሰጉና ዘለዉ ንሳቶም እዮም፡ ኣህዛብ ምእንቲ ኺድሕኑ ኸይንነግሮም፡ ንኣና ብምኽልካሎም ንሳቶም ንኣምላኽ ባህ ኣየበልዎን ንዅሉ ሰብውን ይጻረርዎ አለዉ። ከምዚ ዅሉ ሳዕ ሓጢኣቶም ይምልኡ ኣለዉ፡ ግናኸ መዓት ክሳዕ መወዳእታ ወሪድዎም ኣሎ። 17 ኣሕዋተየ፡ ንሕና ግና ብልቢ ዘይኮነስ ብገጽ ንቕሩብ ጊዜ ኻባኻትኩም እተፈሌና፡ ገጽኩም ክንርኢ ብብዙሕ ናፍቖት ኣዚና ተሃዊኽና ኣሎና። 18 ስለዚ ናባኻትኩም ክንመጽእ ደሌና፡ ኣነ ጳውሎስ እኳ ሓደ ሳዕን ካልኣይ ሳዕን ደልየ ነይረ፡ ግናኸ ሰይጣን ዓገተና። 19-20 ክብርናን ሓጐስናን ንስካትኩም ኢኹም እሞ፡ ኣብ ቅድሚ ጐይታና የሱስ ብምጽኣቱኸ ተስፋና ወይ ሓጐስና፡ ወይስ ኣኽሊል ትምክሕትና መን እዩ፧ ንስኻትኩም ደይኰንኩምን፡

## ምዕራፍ 3

1 ስለዚ ካብኡ ንነጀው ክንዕገስ ስለ ዘይተኻእለና፡ ኣብ ኣቴና በይንና ኽንተርፍ ጽቡቕ ኰይኑ ተራእየና። 2-3 በዚ ጸበባ እዚ ሓደ እኳ ሰንከልከል ከይብል፡ ነዚ ኸም እተመደብና፡ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ትፈልጥዎ ኢኹም እሞ፡ ንጢሞቴዎስ ሓውናን ብወንጌል ክርስቶስ ናይ ኣምላኽ ኣገልጋልን፡ ንሱ ኼጽንዓኩም ብዛዕባ እምነትኩምውን ኬህድኣኩም ለኣኽናዮ። 4 እምበኣርከ ምሳኻትኩም ከሎና፡ ጸበባ ኸም ዚመጻናስ፡ ቅድም ነጊርናኩም፡ ከምቲ እትፈልጥዎውን፡ ከምኡ ኰነ። 5 ስለዚ ኣነ ድማ ካብኡ ንነጀው ክዕገስ ምኽኣል ምስ ሰኣንኩ፡ ምናልባሽ እቲ ፈታኒ ፈቲኑኩም ከይሀሉ እሞ እቲ ጻዕርና ኸንቱ ኸይኸውን ኢለ፡ እምነትኩም ምእንቲ ኽፈልጥ እየ ዝለኣኽክዎ። 6 ሕጂ ግና ጢሞቴዎስ ካባኻትኩም ናባና መጺኡ፡ ከምቲ ንሕና እንናፍቐኩም ዘሎና፡ ክትርእዩና እናናፈቕኩም ኵሉ ሳዕ ብጽቡቕ ከም እትዝክሩና፡ ብናይ እምነትኩምን ፍቕርኩምን ምስ ኣበሰረና፡ 7 ስለዚ፡ ኣሕዋተየ፡ ሳላ እምነትኩም ኣብ ኵሉ ጸበባናን መከራናን ብዛዕባኹም ተጸናናዕና። 8 ብጐይታ እንተ ጸናዕኩምሲ፡ ንሕና ደጊም ብህይወት ንነብር ኣሎና። 9-10 ገጽኩም ክንርእን ካብ እምነትኩም ዝጐደለ ኽንምልእን፡ ለይትን መዓልትን መጠን ዜብሉ እናጸለና፡ በቲ ብኣኻትኩም ምኽንያት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽና እንሕጐሰሉ ዅሉ ሓጐስ ብኸመይ ዝበለ ምስጋና ኾን ኢና ብዛዕባኻትኩም ንኣምላኽና እነመስግኖ። 11 ግናኸ እግዚኣብሄር ኣቦና ባዕሉን ጐይታና የሱስን መገድና ናባኻትኩም የቕንዕ። 12-13 በቲ ምጽኣት ጐይታና የሱስ ምስ ኵሎም ቅዱሳኑ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽናን ኣቦናን ብዘይ ኣበር ብቕድስና ኽም እትርከቡ፡ ልብኹም ምእንቲ ኼጽንዕ፡ ከምቲ ንሕና ንኣኻትኩም እነፍቅረኩም ዘሎና፡ እግዚኣብሄር ንሓድሕድኩምን ንዅሉ ሰብን ፍቕሪ ይወስኸኩምን የብዝሓልኩምን።

## ምዕራፍ 4

1-2 ብዝተረፈስ፡ ኣሕዋተየ፡ ብጐይታና የሱስ ኣየናት ትእዛዛት ከም ዝሃብናኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡
ከምቲ ኻባና እተቐበልኩምዎስ ከመይ ጌርኩም ክትመላለሱ ንኣምላኽውን ከተሐጕሱ ኸም
ዚግብኣኩም፡ ከምቲ እትመላለስዎውን ዘሎኹም ኣዚኹም ብእኡ ኽትስስኑ፡ ብጐይታና የሱስ
ንልምነኩምን ንምዕደኩምን ኣሎና። 3 ፍቓድ ኣምላኽ እዚ እዩ፡ ቅድስናኹም። ካብ ምንዝርና ኽትርሕቁ
እሞ፡ 4-5 ከምቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጡ ኣህዛብ ብፍትወት ትምኒት ዘይኩነስ፡ ነፍሲ ወከፍኩም ንሰበይቲ
ኺዳኑ ብቕድስናን ክብርን ምሕላይ ኪፈልጥ፡ እዚ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ። 6-7 ኣምላኽሲ ንቕድስና እምበር፡
ንርኽሰት ኣይጸውዓናን እሞ፡ እግዚኣብሄር ብኹሉ እዚ ነገርዚ ሕነ ዚፈዲ ስለ ዝኾነ፡ ንሕናውን፡ ቀደም
ከም ዝበልናኹምን ዝመስከርናልኩምን፡ ሓደ እኳ ንሓዉ በዚ ነገርዚ ኣየናሽዎን ኣይበለጸሉን። 8 ስለዚ
እቲ ዚንዕቕ፡ ነቲ ንኣኻትኩም ድማ ቅዱስ መንፈሱ ዚህብ ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ንሰብ ኣይኰነን ዚንዕቕ
ዘሎ። 9 ብናይ ፍቕሪ ሕውነት ግና፡ ንስኻትኩም ባዕላትኩም ንሓድሕድኩም ንምፍቃር ካብ ኣምላኽ
ተምሂርኩም ኢኹም እሞ፡ ክንጽሕፈልኩም ኣየድልየኩምን እዩ። 10 እዚ ድማ ነቶም ኣብ ብዘሎ
መቄዶንያ ዘለዉ ዅላቶም ኣሕዋት ትገብርዎ ኣሎኹም። ግናኸ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ኣዚኹም
እናወሰኽኩም ክትከዱ፡ ንምዕደኩም ኣሎና። 11-12 ከምቲ ዝኣዘዝናኩም፡ ካብ ሓደ እኳ ገለ ኸይደሌኩም፡
ምስቶም ብወጻኢ ዘለዉ ብቕንዕና ምእንቲ ኽትመላለሱ፡ ክትሃድኡን ዕዮ ርእስኹም ክትገብሩን፡
በእዳውኩምውን ክትዓዩንሲ ክብረት ክትቈጽርዎ፡ ንምዕደኩም ኣሎና። 13 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ ከምቶም
ተስፋ ዜብሎም ካልኦት ምእንቲ ኸይትሐዝኑ፡ ብዛዕባ እቶም ደቂሶም ዘለዉ ብዘይ ፍልጠት ክትኰኑ
ኣይፈቱን እየ። 14 ማለት፡ የሱስ ከም ዝሞተን ከም ዝተንስኤን ኣሚንና እንተ ዄንና፡ ከምኡውን ኣምላኽ
ነቶም ብየሱስ ዝደቀሱ ምስኡ ኺምጽኦም እዩ። 15 ንሕና ኽሳዕ ምጽኣት ጐይታ ብህይወትና እንጸንሕ ከኣ
ነቶም ዝደቀሱ ከቶ ኸም ዘይንቕድሞም፡ እዚ ብቓል ጐይታ ንብለኩም ኣሎና። 16 ጐይታ ባዕሉ ብናይ
ትእዛዝ ጭድርታን ብድምጺ ሊቀ መላእኽትን ብመለኸት ኣምላኽን ካብ ሰማይ ኪወርድ እዩ፡ እቶም
ብክርስቶስ ዝሞቱውን ቅድም ኪትንስኡ እዮም። 17 ድሕርዚ ንሕና ብህይወት ጸኒሕና ዘሎና ንምቕባል
ጐይታ ኣብ ኣየር ምሳታቶም ሐቢርና ብደበና ኽንለዓል ኢና፡ ከምኡውን ንሓዋሩ ምስ ጐይታ ኽንነብር
ኢና። 18 ደጊም በዘን ቃላት እዚኣተን ንሓድሕድኩም ተጻናንዑ።

## ምዕራፍ 5

1-2 ግናኸ፡ ኣሕዋተየ፡ እታ መዓልቲ ጐይታ ኸም ሰራቒ ኰይና ብለይቲ ኸም እትመጽእ፡ ባዕላትኩም
ኣርጊጽኩም ትፈልጡ ኢኹም እሞ፡ ብናይ ዘመናትን ጊዜታትን ክንጽሕፈልኩምሲ ኣየድልየኩምን እዩ። 3
ሰላምን ደሓንን እዩ ኺብሉ ኸለዉ፡ ንጥንሲቲ ቕልውላው ከም ዚሕዛ፡ ሽዑ ጥፍኣት ብድንገት ይመጾም፡
ከቶውን ኣይከምልጡን እዮም። 4-5 ንስኻትኩም ግና፡ ኣሕዋተየ፡ ኵላትኩም ደቂ ብርሃንን ደቂ መዓልትን
ኢኹም እሞ፡ እታ መዓልቲ እቲኣ ኸም ሰራቒ ኸይትመጸኩምሲ፡ ኣብ ጸልማት ኣይኰንኩምን ዘሎኹም፡
ንሕና ናይ ለይትን ናይ ጸልማትን ኣይኰንናን። 6 ደጊም ንንቃሕን ንጠንቀቕን እምበር፡ ከምቶም ካልኦት
ኣይንደቅስ። 7 እቶም ዚድቅሱስ ብለይቲ እዮም ዚድቅሱ፡ እቶም ዚሰኽሩውን ብለይቲ እዮም ዚሰኽሩ። 8
ንሕና ግና ደቂ መዓልቲ ኻብ ኰንናስ፡ ድርዒ እምነትን ፍቕርን፡ ነታ ተስፋ ምድሓንውን ከም ቍራዕ
ርእሲ ጌርና፡ ተኸዲንና ንጠንቀቕ። 9 ኣምላኽ፡ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምድሓን ክንረክብ እምበር፡
ንቑጥዓስ ኣይመደበናን። 10 ክርስቶስ፡ እንተ ነቒሕና ወይስ እንተ ደቂስና፡ ምስኡ ሐቢርና ብህይወት
ምእንቲ ክንነብር ኢሉ፡ ስሌና ሞተ። 11 ስለዚ፡ ከምቲ እትገብርዎውን ዘሎኹም፡ ንሓድሕድኩም

ተማዓዓዱ እሞ እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ይህነጾ። 12 ግናኸ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ነቶም ኣባኻትኩም ዚጽዕሩን
ብጐይታውን ዚመርሑኹምን ዚምዕዱኹምን ክትፈልጥዎም፡ ንልምነኩም ኣሎና። 13 ስለቲ ዕዮኦም
ብብዙሕ ብሉጽ ፍቕሪ ኣኽብርዎም። ንሓድሕድኩምውን ብሰላም ንበሩ። 14 ኣቱም ኣሕዋትና፡ ነቶም
ብዘይ ስርዓት ዚመላለሱ ግንሕዎም፡ ነቶም ሕሊናኦም ዝዓረቦም ኣፋጥንዎም፡ ነቶም ድኹማት
ደግፍዎም፡ ንዅላቶም ተዓገስዎም ኢልና ንምዕደኩም ኣሎና። 15 እቲ ሓደ ነቲ ሓደ ኽፉእ ከይፈድዮ፡
ተጠንቀቑ። ግናኸ ኩሉ ሳዕ ንሓድሕድኩም ንዅሉን ሰናይ ንምግባር ተጋደሉ። 16 ኩሉ ሳዕ ተሐጐሱ። 17
ከየባተኽኩም ጸልዩ። 18 እዚ ምእንታኹም ብክርስቶስ የሱስ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ብዅሉ
ኣመስግኑ። 19 መንፈስ ኣይተጥፍኡ። 20 ትንቢት ኣይትንዓቑ። 21 ንዅሉ ተዓዘብዎ፡ ነቲ ሰናይ ሐዝዎ። 22
ካብ ክፉእ ዘበለ ዅሉ ርሐቑ። 23 ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ኸኣ ንዅለንትናኹም ይቐድሶ፡ በቲ ምጽኣት የሱስ
ክርስቶስ ብዘሎ መንፈስኩምን ነፍስኹምን ስጋኹምን ብዘይ መንቅብ ኪርከብ ይተሐሎ። 24 እቲ
ዚጽውዓኩም ዘሎ እሙን እዩ፡ ንሱውን ኪገብሮ እዩ። 25 ኣቱም ኣሕዋትና፡ ምእንታና ጸልዩ። 26
ንዅላቶም ኣሕዋትውን ብቕዱስ ምስዕዓም ሰላም በልዎም። 27 ነዛ ደብዳበ እዚኣ ኣብ ኵሎም ኣሕዋት
ከተንብብዋ፡ ብእግዚኣብሄር ኤማሕጽነኩም ኣሎኹ። 28 ጸጋ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምሳኻትኩም
ይኹን። ኣሜን።

# 2ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ተሰሎንቄ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስን ስልዋኖስን ጢሞቴዎስን ናብ ማሕበር ሰብ ተሰሎንቄ፡ ብእግዚኣብሄር ኣቦናን ብጐይታና
የሱስ ክርስቶስን። 2 ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ይኹነልኩም።
3 ኣቱም ኣሕዋትና፡ እምነትኩም ኣዝያ ስለ ዝዓበየት፡ እታ ፍቕሪ ነፍሲ ወከፍ ናይ ኵላትኩምውን ኣብ
ንሓድሕድኩም ስለ ዝዓዘዘት፡ ቅኑዕ እዩ እሞ፡ ብዛዕባኹም ኵሉ ሳዕ ንኣምላኽ ከነምስግኖ ግቡእና እዩ።
4 እምብኣርሲ ንሕና ባዕልና ብትዕግስትኹምን እምነትኩምን በቲ ዝጾርኩምዎ ኹሉ ስደትን ጸበባን
ብኣኻትኩም ኣብ ማሕበር ኣምላኽ ንምካሕ ኢና፡ 5 ነታ ብዛዕባኣ መከራ እትጸግቡ ዘሎኹም መንግስቲ
ኣምላኽ ብቑዓት ኰንኩም ምእንቲ ኽትቍጸሩ፡ እዚ መከራኹም ግሉጽ ምልክት ናይቲ ቕኑዕ ፍርዲ
ኣምላኽ እዩ። 6-7 በቲ ምግላጽ ጐይታና የሱስ ካብ ሰማይ ምስ መላእኽቲ ስልጣኑ ንኣኻትኩም
ጸቢብኩም ዘሎን ምሳና ዕረፍቲ፡ ነቶም ዜጻብቡልኩም ዘልዉን ጸበባ ኺፈዲ፡ ብኣምላኽ ቅኑዕ እዩ
እሞ፡ 8 ነቶም ንኣምላኽ ዘይፈልጥዎን ንወንጌል ጐይታና የሱስ ዘይእዘዝዎን ብሃልሃልታ ሓዊ ሕነ
ኺፈድዮም እዩ። 9-10 እቲ ኣባኻትኩም ዝመስከርናዮ ምስክር ተኣሚኑ እዩ እሞ፡ የሱስ በታ መዓልቲ
እቲኣ ኣብ ቅዱሳኑ ኪኽብርን ኣብቶም ዝኣመኑ ኺግረምን ምስ መጸ፡ ንሳቶም ብመቕጻዕቲ፡ ናይ
ዘለኣለም ጥፍኣት ካብ ቅድሚ ጐይታና ክብሪ ስልጣኑን ርሒቖም፡ ኪቕጽዑ እዮም። 11-12 ከም መጠን
ጸጋ ኣምላኽናን ጐይታና የሱስ ክርስቶስን፡ ስም ጐይታና የሱስ ኣባኻትኩም ምእንቲ ኪኽብር፡
ንስኻትኩምውን ብእኡ ኽትከብሩ፡ ኣምላኽና ነዛ ጽውዓ እዚኣ ብቑዓት ምእንቲ ኪቘጽረኩም፡
ብሓይሊውን ኵሉ ሰናይ ስምረትን ግብሪ እምነትን ክፍጽም፡ ብዛዕባኹም ኵሉ ሳዕ ንልምን ኣሎና።

## ምዕራፍ 2

1-2 ግናኸ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ብዛዕባ ምጽኣት ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ናብኡ ምእካብናን፡ መዓልቲ
ጐይታ ሕጂ ቕርብቲ ኸም ዘላስ፡ ብመንፈስ ወይስ ብቓል ወይስ ከምታ ኻባና ዝመጸትኩም ደብዳበ፡
ካብቲ ኣእምሮኹም ቀልጢፍኩም ከይትናቓነቑን ከይትስምብዱን፡ ንልምነኩም ኣሎና። 3-4 ቅድም
ክሕደት ከይኰነ፡ እቲ ርእሱ ኣምላኽ ምዃኑ እናኣርኣየ፡ ኣብ መቕደስ ኣምላኽ ክሳዕ ዚቕመጥ፡ ኣምላኽን
ቅዱስን ኣብ ዚብሃል ዘበለ ዚትንስእን ዚዕበን ሰብኣይ ዓመጻ፡ እቲ ወዲ ጥፍኣት፡ ከይተገለጸ፡ እታ
መዓልቲ እቲኣ ኣይትመጽእን እያ እሞ፡ ብዝኾነ እንተ ኾነ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። 5 ኣነ ገና
ምሳኻትኩም ከሎኹ፡ እዚ ኸም ዝነገርኹምኩ፡ ኣይትዝክርዎን ዲኹም፧ 6 ንሱ በቲ ግዝያቱ ምእንቲ
ኺግለጽሲ፡ እቲ ሕጂ ዚኽልክሎ ዘሎ ትፈልጥዎ ኣሎኹም። 7 ምስጢር ምፍራስ ሕግስ እቲ ሕጂ
ዚኽልክሎ ዘሎ ጥራይ ካብ ማእከል ክሳዕ ዚጽረግ ድሮ እኳ ይዓዪ ኣሎ፡ 8 እቲ መፍረስ ሕጊ ድማ ሽዑ
ኺግለጽ እዩ። ንእኡ ጐይታና የሱስ ብመንፈስ ኣፉ ገይሩ ኼጥፍኦ፡ ብምግላጽ ምጽኣቱውን ከንቱ
ኺገብሮ እዩ። 9-10 እቶም ዚጠፍኡስ ንምድሓኖም ዚኸውን ፍቕሪ ሓቂ ስለ ዘይተቐበሉ፡ ንኣታቶም ናይ

እዚ ኣመጻጽኣ ብዅሉ ጥበራ ዓመጻ፡ ብዅሉ ሓይልን ትእምርትን ተኣምራት ሓሶትን ብሓይሊ ሰይጣን
እዩ ዚኸውን። [11-12] ስለዚ ኸኣ እቶም ብዓመጻ ባህ ዚብሎም እምበር፡ ንሓቂ ዘይኣምኑ ዅሎም ምእንቲ
ኺፍረዱ፡ ኣምላኽ፡ ነቲ ሓሶት ክሳዕ ዚኣምኑ፡ ብርቱዕ ስሕተት ይሰደሎም። [13] ግናኸ፡ ኣቱም ብጐይታ
ፍቁራት ኣሕዋትና፡ ኣምላኽ ካብ ጥንቲ ብናይ መንፈስ ቅድስናን ብእምነት ሓቅን ንምድሓን ስለ
ዝሐረየኩም፡ ንሕና ብዛዕባኻትኩም ንኣምላኽ ኵሉ ሳዕ ክነመስግኖ ግቡእና እዩ። [14] ነቲ ኽብሪ ጐይታና
የሱስ ክርስቶስ ምእንቲ ኽትረኽብዎ እዩ ንሱ ብወንጌልና ገይሩ ዝጸውዓኩም። [15] ደጊም፡ ኣቱም
ኣሕዋትና፡ ጸኒዕኩም ቁሙ፡ እሞ ነቲ ብቓልና ወይስ ብደብዳቤታትና እተመሃርኩምዎ ትምህርትታት
ሐዝዎ። [16] ግናኸ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ባዕሉን እቲ ዘፍቀረናን ብጸጋ ናይ ዘለኣለም ምጽንናዕን ጽቡቕ
ተስፋን ዝሃበና እግዚኣብሄር ኣቦናን፡ [17] ብሰናይ ግብርን ቃልን ዘበለ ልብኹም የጸናንዕን የበርትዕን።

## ምዕራፍ 3

[1-2] ብዝተረፈስ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ እምነት ናይ ኵሉ ሰብ ኣይኰነትን እሞ፡ እቲ ቓል እግዚኣብሄር ከምቲ
ኣባኻትኩም ዚኾኖ ዘሎ ምእንቲ ኺጐይን ኪኽብርንሲ፡ ካብቶም ዓመጽትን እኩያትን ሰባት ክንድሕን
ጸልዩልና። [3] ግናኸ እቲ ዜጽንዓኩምን ካብ ክፉእ ዝሕልወኩምን ጐይታ እሙን እዩ። [4] እቲ እንእዝዘኩም
ከኣ ትገብርዎ ኸም ዘሎኹምን ድሕሪ ሕጂ ኸም እትገብርዎን፡ ብዛዕባኻትኩም ኣብ ጐይታ እምነት
ኣላትና። [5] ጐይታ ኸኣ ንልብኹም ናብ ፍቕሪ ኣምላኽን ናብ ትዕግስቲ ክርስቶስን የቕንዓዮ። [6]
እምብኣርስ፡ ኣቱም ኣሕዋትና፡ ካብቲ በቲ ኻባና እተቐበሎ ምህሮ ዘይነብር፡ ብዘይ ስርዓት ዚመላለስ
ዘበለ ሓዉ ክትፍለዩ፡ ብስም ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንእዝዘኩም ኣሎና። [7-8] ኣብ ሓዴኹም እኳ
ኸይነኽብድሲ፡ ለይትን መዓልትን ብጻዕርን ድኻምን እናዓየና እምበር፡ ካብ ሓደ እኳ ብኸምኡ እንጌራ
ኣይበላዕናን፡ ኣባኻትኩም ብዘይ ስርዓት ኣይተመላለስናን እሞ፡ ከመይ ኢልኩም ክትመስሉና ኸም
ዚግብኣኩም፡ ባዕላትኩም ትፈልጡ ኢኹም። [9-10] ምሳኻትኩም ከሎናውን፡ ገለ ሰብ ኪዓዪ ዘይፈቱ እንተ
ኾይኑስ ኣይብላዕውን፡ ኢልና ኣዘዝናኩም እሞ፡ ንኣና ምእንቲ ኽትመስሉ ደኣ፡ ንርእስና ኣርኣያ ጌርና
ሃብናኩም እምበር፡ መሰል ስለ ዜብልና ኣይኰንናን። [11] ማለት፡ ሓያሎ ኻባኻትኩም ብዘይ ስርዓት ከም
ዚመላለሱ፡ ዙረት እምበር፡ ሓንቲ እኳ ኸም ዘይዓዩ፡ ንሰምዕ ኣሎና። [12] ነዞም ከምዚኣቶም ዘመስሉ፡
ብህድኣት እናዓየዩ እንጌራኦም ኪበልዑ፡ ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ ንእዝዞምን ንምዕዶምን ኣሎና። [13]
ኣቱም ኣሕዋትና፡ ንስኻትኩም ግና ሰናይ ንምግባር ኣይትሰልክዩ። [14] ሓደ እኳ በዛ ደብዳበ እዚኣ እንብሎ
ቓልና ዘይእዘዝ እንተሎ፡ ምእንቲ ኺሐፍርሲ፡ ምስኡ ኸይትሕብሩ ምልክት ግበርሉ። [15] ግናኸ ከም
ሓዉ ደኣ ምዓድዎ እምበር፡ ከም ጸላኢ ኣይትቝጸርዎ። [16] እምብኣርስ ኣምላኽ ሰላም ባዕሉ ብዅሉ
ወገን፡ ኵሉ ሳዕ ሰላም ይሃብኩም። ጐይታ ምስ ኵላትኩም ይኹን። [17] እዚ ሰላምታ እዚ ብኢደይ፡
ብኢድ ጳውሎስ እዩ። እዚ ኣብ ኵሉ ደብዳቤታተይ መፈለጥታ እዩ፡ ከምዚ እየ ዝጽሕፍ። [18] ጸጋ
ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።

# 1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ጢሞቴዎስ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ብትእዛዝ ኣምላኽ መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ተስፋናን፡ ናይ የሱስ ክርስቶስ ሃዋርያ፡ 2 ናብ
ጢሞቴዎስ፡ ብእምነት ናይ ሓቂ ወደይ። ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና ክርስቶስ የሱስን ጸጋን
ምሕረትን ሰላምን ምሳኻ ይኹን። 3-4 እቲ ናብ መቄዶንያ ክኸይድ ከሎኹ፡ ገሊኦም ካልእ ምህሮ
ኸይምህሩ ወይስ ናብ ጽውጽዋያትን መወዳእታ ናብ ዜብሉ ቍጽሪ ወለዶታትን ከየድህቡ ኽትእዝዝ፡
እዚ ኣብ ክንዲ እቲ ብመጋቢነት ኣምላኽ እሙን ምዃንሲ ዜበዝሕ ክትዕ የምጽእ እዩ ኢለ፡ ኣብ ኤፌሶን
ክትቅመጥ ከም ዝመዓድኩኻ፡ ሕጂውን ከምኡ እብል አሎኹ። 5 እታ መደምደምታ ትእዛዝ ግና ፍቕሪ
ኻብ ንጹህ ልቢ፡ ካብ ሰናይ ሕሊና፡ ካብ ልግሚ ዜብላ እምነት እያ። 6 ገሊኦም ካብዚ ዘምቢሎም ናብ
ዘረባ ሃተውተው ተመሊሶም፡ 7 ነቲ ዚብልዎ ወይስ ነቲ ዜረድእዎ ዘየስተውዕልዎ ኽነሶምሲ፡ መምህራን
ሕጊ ኪኾኑ እዮም ዚደልዩ። 8 ግናኸ ነቲ ሕጊ ብመገዱ ሕጊ እንተ ገበርዎስ፡ ሰናይ ምዃኑ ንፈልጥ ኢና።
9 ሕጊ ንመፍረስቲ ሕጊ እምበር፡ ንጻድቕ ከም ዘይተሰርዔ፡ ካብ ፈለጥናስ፡ ንዘይእዙዛትን ኣምላኽ
ንዘይፈርሁን ንሓጥኣንን ንርኹሳትን ንቐለልትን ንቐተልቲ ኣቦኦምን ንቐተልቲ ኣዲኦምን፡ ንቐተልቲ
ነፍሲ፡ 10 ነመናዝር፡ ግብሪ ሰዶም ንዚገብሩ፡ ንሸየጥቲ ሰብ፡ ንሓሰውቲ፡ ብሓሶት ንዚምሕሉ፡ ሓደ
ኻልእውን ምስቲ ጥዑይ ትምህርቲ ዚጻረር እንተሎ፡ ንኣታቶም እዩ። 11 እዚውን ከምቲ ንኣይ ሕድሪ
እተዋህበ ወንጌል ናይቲ ብሩኽ ኣምላኽ ክብሪ እዩ። 12 ኣነ ነቲ ሓይሊ ዝሃበኒ ክርስቶስ የሱስ ጐይታና
ነገልግሎቱ መዲቡ፡ እሙን ከኸውን ስለ ዘብቅዓኒ፡ ኤመስግኖ አሎኹ። 13 ኣነ ቐደም ጸራፍን ሰጓጒን
ገፋዕን ነይረ ኽነሰይሲ፡ ከይፈለጥኩ ብዘይ ምእማን ስለ ዝገበርክዎ፡ ምሕረት ረኺብኩ። 14 ጸጋ ጐይታና
ምስቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ እምነትን ፍቕርን ብዘይ ልክዕ ዓዘዘ። 15 ክርስቶስ የሱስ ነቶም ኣነ
ዝቐዳማዮም ሓጥኣን ኬድሕን ከም ዝመጸ፡ እዚ ቓል እዚ እሙን እዩ፡ ምቕባሉውን ብኹሉ ግቡእ እዩ።
16 ግናኸ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ናብ ዘለኣለም ህይወት ኪበጽሑ ኢሎም ብእኡ ዚኣምኑ ንኣርኣያ ኹሉ
ትዕግስቱ ቐድም ኣባይ ምእንቲ ኼርኢ፡ በዚ ምኽንያት እዚ እየ ኣነ ምሕረት ዝረኸብኩ። 17 እምብኣርስ
ነቲ ናይ ዘለኣለም ንጉስ፡ ዘይሐልፍ፡ ዘይርኤ ሓደ ኣምላኽ ንዘለኣለም ኣለም ክብርን ስብሓትን ይኹኖ።
ኣሜን። 18-19 ኣታ ጢሞቴዎስ ወደይ፡ ከምቲ ቐደም እተባህለካ ትንቢታት እምነትን ሰናይ ሕሊናን ሒዝካ
ብእኡ ጽቡቕ ውግእ ምእንቲ ኽትዋጋእ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ ኤማዕቍበካ ኣሎኹ። ገሊኦም ነቲ ሰናይ
ሕሊናኦም ደርብዮምሲ፡ ናይ እምነት መርከብ ተሰቢራቶም እያ። 20 ካባታቶም፡ ከይጸርፉ ምእንቲ
ኪቕጽዑ ኢለ ንሰይጣን ዝወፈኽዎም፡ ሄሜኔዎስን እስክንድሮስን እዮም።

## ምዕራፍ 2

1-2 እምብኣርከ ስለ ኹሉ ሰብ፡ ብኹሉ ኣምልኾን ምርዛንን ሃዲእና ብዘይ ህውከት ምእንቲ ኽንነብርሲ፡
ስለ ነገስታትን ስለ ኹሎም መኳንንትን ልማኖን ጸሎትን ምህልላን ምስጋናን ኪግበር፡ ቅድሚ ኹሉ
እምዕድ አሎኹ። 3-4 እዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ኹሉ ሰብ ኪድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂውን ኪመጽእ ዚፈቱ
እግዚኣብሄር መድሓኒና ጽቡቕን ቅቡልን እዩ። 5 ማለት፥ ኣምላኽ ሓደ በይኑ እዩ እሞ እቲ ኣብ መንጎ

ኣምላኽን ሰብን ዘሎ ማእከላይውን፡ እቲ ሰብ፡ ክርስቶስ የሱስ፡ ሓደ በይኑ እዩ። 6 ብጊዜኡ ንዚኸውን
ምስክር ንሱ ኣብ ክንዲ ዅሉ ኪኸውን ኢሉ ነፍሱ በጃ ሃበ፡ 7 ነዚ ነገርዚ ኸኣ ኣነ ኣዋጅን ሃዋርያን፡ሓቂ
እብል ኣሎኹ፡ ኣይሕሱን እየ፡ብእምነት ብሓቅን መምህር ኣህዛብ ንምዃን ተሸምኩ። 8 እምብኣርሲ
ሰብኡት ብዘይ ኵራን ውልውልን ቅዱሳት ኣእዳው ኣልዒሎም፡ ኣብ ኵሉ ስፍራ ኪጽልዩ፡ እደሊ
ኣሎኹ። 9-10 ኣንስቲውን ከምኡ ብስሩሕ ርእስን ብወርቂ ወይስ በዕናቍ ወይስ ብብዙሕ ዝዋጋኡ
ኽዳውንቲ ዘይኰነስ፡ ብግቡእ ክዳውንትን ብሕንከን ብምቕጻዕ ነፍስንን፡ ፍርሃት እግዚኣብሄር ንዘለወን
ኣንስቲ ኸም ዚግባእ፡ ብሰናይ ግብሪ ኺስለማ፡ እደሊ ኣሎኹ። 11 ሰበይቲ ብዅሉ እናተኣዘዘት ደኣ
ብህድኣት ትመሃር። 12-13 ኣዳም ቅድም ተፈጢሩ እዩ፡ ደሓር ከኣ ሄዋን እሞ፡ ሰበይቲ ብህድኣት ክትነብር
ደኣ እምበር፡ ክትምህር ወይስ ኣብ ሰብኣይ ስልጣን ኪህልዋ፡ ኣይፈቕድን እየ። 14 ኣዳም ኣይተሐብለን፡
ሰበይቲ ግና ተሐቢላ ኣብ ኣበሳ በጽሔት። 15 ብእምነትን ብፍቕርን ብቕድስናን ምስ ምቕጻዕ ነፍሲ እንተ
ጸኒዓ ግና፡ ብምውላድ ውሉድ ክትድሕን እያ።

## ምዕራፍ 3

1 እዚ ቓል እዚ እሙን እዩ፡ ሓደ እኳ መዓርግ ኤጲስቆጶስ እንተ ደለየ፡ ሰናይ ግብሪ ይምነ ኣሎ። 2
እምብኣርሲ እቲ ኤጲስቆጶስ መንቅብ ዜብሉ፡ ሰብኣይ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ጥንቁቕ፡ ቀጻዕ ነፍሱ፡ ኣገባብ
ዚፈልጥ፡ ተቐባል ጋሻ፡ ንምስትምሀር ብቑዕ ኪኸውን ይግባእ። 3 ዘይሰክር፡ ዘይዋቓዕ፡ ግናኸ ልኡም፡
ዘይብኣስ፡ ፈታው ገንዘብ ዘይኰነ። 4-5 ነታ ቤቱ ኼስተናብራ ዃብ ዘይክእል ግና፡ ነታ ማሕበር ኣምላኽ
ደኣ ኸመይ ገይሩ ኺኣልያ ይኾነሉ፧ ስለዚ ቤቱ ጽቡቕ ገይሩ ዜስተናብርን፡ ብዅሉ ምርዛን እዙዛት
ውሉድ ዘለውዎን ይኹን። 6 ተነፊሑ ናብ ፍርዲ ድያብሎስ ምእንቲ ኸይወድቕ፡ ሓድሽ ተኽሊ ኣይኹን።
7 ኣብ ጸርፍን መፈንጠራ ድያብሎስን ምእንቲ ኸይወድቕ ከኣ፡ ካብቶም ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ጽቡቕ ምስክር
ኪህልዎ ይግባእ። 8-9 ዲያቆናትውን ከምኡ፡ ነቲ ምስጢር እምነት ኣብ ንጹህ ሕሊና ሒዞም፡ ረዘንቲ፡ ሰብ
ክልተ ልሳን ዘይኰኑ፡ ብዙሕ ወይኒ ንምስታይ ዘይድህቡ፡ ርኹስ ረብሓ ዘይደልዩ ኪኾኑ ይግባእ። 10
እዚኣቶምውን ቅድም ይመርመሩ፡ መንቅብ ዜብሎም እንተ ኾኑ፡ ሽዑ የገልግሉ። 11 ኣንስቲውን ከምኡ
ረዘንቲ፡ ዘይሐምያ፡ ጥንቁቓት፡ ብዅሉውን እሙናት ኪኾና ይግባእ። 12-13 እቶም ዲያቆናት ኣጸቢቖም
ምስ ኣገልገሉ፡ ዓብዪ መዓርግን ብእምነት የሱስ ክርስቶስን ብዙሕ ትብዓትን ይረኽቡ እዮም እሞ፡ ሰብ
ሓንቲ ሰበይቲ፡ ደቆምን ኣባይቶምን ኣጸቢቆም ዜስተናብሩ ይኹኑ። 14 ናባኻ ቐልጢፈ ኸም ዝመጽእ
ተስፋ እናገበርኩ፡ እዚ እጽሕፈልካ ኣሎኹ፡ 15 እንተ ደንጐኹ ግና፡ ኣብታ ቤት ኣምላኽ፡ ማለት፡ ናይታ
ሓቂ ዓንድን መሰረትን ዝኾነት ማሕበር ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ ክትገብር ከም ዚግብኣካ ኽትፈልጥ
እፈቱ ኣሎኹ። 16 ብሓቂ እቲ ምስጢር ኣምልኾ ዓብዪ እዩ፥ ንሱ እቲ ብስጋ እተገልጸ፡ ብመንፈስ ጸደቐ፡
ንመላእኽቲ ተራእየ፡ ኣብ ኣህዛብ ተሰብከ፡ ኣብ ዓለም ተኣምነ፡ ናብ ክብሪ ዓረገ።

## ምዕራፍ 4

1 በቲ ዳሕራይ ዘመናት ግና ገሊኦም እምነቶም ክሒዶም፡ ንመናፍስቲ ስሕተት ንምህሮ ኣጋንንትን ከም
ዚስዕቡ፡ እቲ መንፈስ ብግሁድ ይብል ኣሎ። 2 ብግብዝና እቶም ሕሊናኦም ከም ብመዓለም እተዓለመ፡
ሓሶት ዚዛረቡ ሰባት፡ 3 መውስቦ እናኸልከሉስ፡ እቶም ኣመንትን ሓቂ ዝፈለጡን፡ ብምስጋና ኪቕበልዎ

ኢሉ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ብልዒውን ሰብ ኪሐርሞ ይእዝዙ ኣለዉ። [4-5] እቲ ፍጥረት ኣምላኽ ብዘሎ ጽቡቕ
እዩ እሞ፡ ብምስጋና እንተ ተቐበልካዮ፡ በቲ ቓል ኣምላኽን ጸሎትን ዚቕደስ ስለ ዝኾነ፡ ገለ እኳ ዚድርበ
የብሉን። [6] ነቶም ኣሕዋት እዚ እንተ ኣርኤኻዮም፡ ቃል እምነትን እቲ ተኣሚንካ ዝሰዓብካዮ ጽቡቕ
ምህሮን እተመገበ ሕያዋይ ኣገልጋሊ የሱስ ክርስቶስ ክትከውን ኢኻ። [7] ግናኸ ንነገር ቅለትን ንዕላል
ኣንስትን ካባኻ ኣርሕቆ። ንርእስኻ ግና ኣምልኾ ኣልምዳ። [8] እቲ ስጋዊ ምልማድ ንቕሩብ ነገር እዩ
ዚጠቅም፡ ኣምልኾ ግና ንዅሉ ይጠቅም፡ ነዛ ሕጂ ዘላ ህይወት እዚኣን ነታ እትመጽእን ከኣ ተስፋ
ኣለዎ። [9] እዚ ቓልዚ እሙን እዩ፡ ምቕባሉውን ብዅሉ ግቡእ እዩ። [10] በቲ ንዅሉ ሰብ፡ ምናዳ ንኣመንቲ፡
ዜድሕን ህያው ኣምላኽ ተስፋ ስለ ዝገበርና ኢና እንዓይን እንጽዕርን ዘሎና። [11] እዚ ኣዝዝን ምሃርን። [12]
ነቶም ኣመንቲ ብቓል፡ በኻይዳ፡ ብፍቕሪ፡ ብእምነት፡ ብንጽህናውን ኣርኣያ ኹኖም እምበር፡ ነታ
ንእስነትካ ሓደ እኳ ኣይንዓቃ። [13] ኣነ ኽሳዕ ዝመጽእ፡ ናብ ምንባብን ምምዓድን ምምሃርን ኣቕልብ። [14]
ነቲ ብትንቢት ብምንባር ኢድ ሽማግሌታትን እተዋህበካ፡ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ጸጋ ዕሽሽ ኣይትበሎ። [15]
እዚ ኣጸቢቕካ ሕሰብ፡ እናወሰክካ ትኸይድ ከም ዘሎኻ፡ ኣብ ዅሉ ምእንቲ ኺግለጽሲ፡ ነዚ ነገርዚ
ብምሉእ ርእስኻ ወፈ። [16] ንርእስኻን ንትምህርትኻን ተጠንቀቕ፡ በዚ ነገርዚ ጽናዕ። እዚ እንተ ገበርካስ፡
ንርእስኻን ነቶም ዚሰምዑኻን ከተድሕን ኢኻ።

## ምዕራፍ 5

[1] ንኣረጊት ሰብኣይ ከም ነቦ ምዓዶ እምበር፡ ኣይትዝብሖዮ። ነቶም መንእሰይ ከም ነሕዋት ምዓዶም። [2]
ንኣረገውቲ ኣንስቲ ኸም ነዴታት፡ ነተን ናእሽቱ ኣንስቲ ኸም ንኣሓት ጌርካ ብዅሉ ንጽህና ምዓደን። [3]
ነተን መበለታት፡ ብሓቂ መበለታት ዝኾና ኣኽብረን። [4] ገለ መበለት ግና ደቂ ወይስ ደቂ ደቂ እንተ
ኣለውዋ፡ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል እዩ እሞ፡ ንሳቶም ቅድም ንስድራ ቤቶም ፍርሃት
እግዚኣብሄር ኬርእዩ ንወለዶምውን ውሬታ ኺመልሱ ይምሃሩ። [5] እታ ንበይና እትነብር፡ ተስፋኣ ኣብ
እግዚኣብሄር እትገብር፡ ብሓቂ መበለት ዝኾነት ግና፡ ለይትን መዓልትን ብልማኖን ጸሎትን እያ
እትጸንዕ። [6] እታ ሕንቅቕቲ ግና፡ ብህይወታ ኸላስ ምውቲ እያ። [7] ብዘይ መንቅብ ምእንቲ ኪኾኑስ፡ እዚ
ድማ ኣዝዝ። [8] ሓደ እኳ ነቶም ናቱ፡ ምናዳ ግና ንስድራ ቤቱ፡ ዘይሐሊ እንተሎ፡ እምነት ዝኸሐደ ካብቲ
ዘይኣምንውን ዝገደደ እዩ። [9-10] ብሰናይ ግብሪ እተመስከረላ፡ ውሉድ ዘዕበየት፡ ጋሻ እተቐበለት፡ እግሪ
ቅዱሳን ዝሐጸበት፡ ንዝጸበቦም ዘርሃወት፡ ሰናይ ግብሪ ዘበለ ዝሰዓበት፡ ካብ ስሳ ዓመት ዘይነኣሰት፡
ሰበይቲ ሓደ ሰብኣይ ዝነበረት ከም መበለት ኰይና ትቚጸር። [11] ሓያማት ግና ንክርስቶስ ተጻሪረን
ፍትወት ስጋ ምስ ተላዕለን፡ ኪምርዓዋ እየን ዚደልያ እሞ፡ ንኣታተን ኣርሕቀን። [12] ንሳተን፡ ነታ
ቐዳማይቲ እምነተን ስለ ዝጠለማ፡ ፍርዲ ኣለወን። [13] ኣብ ልዕሊዝውን ቤተ ቤት እናዞራ ምብኳር ዕዮ
እየን ዚምህራ፡ ዘይግባእ እናተዛረባውን መብዛሕቲ ኣፍን ወልፋሳትን ይኾና እምበር፡ ምብኳር ዕዮ
ጥራይ ኣይኰናን። [14] እምብኣርሲ እተን ሓያማት ኪምርዓዋ፡ ውሉድ ኪወልዳ፡ ቤተን ኪሕዛ፡ ጻላኢ
ዘጸርፈሉ ሓደ ምኽንያት እኳ ኸይህባ፡ እደሊ ኣሎኹ። [15] ገሊኤንሲ ድሮ እኳ ዘምቢለን፡ ደድሕሪ
ሰይጣን ስዒበን ኣለዋ። [16] ንሓደ ኣማኒ ወይስ ኣማኒት፡ መበለታት እንተ ኣለዋኦም፡ ባዕላቶም
ይሕለዩለን፡ ነተን ብሓቂ መበለታት ዝኾና ምእንቲ ኽትሐሊ፡ ነታ ማሕበር ኣየኽብዱላ። [17-18] እቲ
ጽሑፍ፡ ኣፍ እቲ ዜኽይድ ብዕራይ ኣይትእሰር፡ ድማ፥ ንዓያዪ ውዕለቱ ይግብኦ እዩ፡ ይብል እዩ እሞ፡
ነቶም ጽቡቕ ዜገልግሉ ሽማግሌታት፡ ምናዳ ነቶም ብቓልን ብምህሮን ዚጽዕሩ፡ ዕጽፊ ኽብሪ ይግብኦም

እዩ። [19] ብናይ ሽማግለ ኽኣ፡ ብምስክር ክልተ ወይ ሰለስተ እንተ ዘይኰይኑስ፡ ክሲ ኣይትቀበል። [20]
ነቶም ሓጢኣት ዝገበሩውን፡ እቶም ካልኦት ምእንቲ ኺፈርሁ፡ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ግንሓዮም። [21]
ተቐዳዲምካ ኸይፈረድካን ሓንቲ እኳ በድልዎ ኸይገበርካን፡ እዚ ኽትሕሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ
ቅድሚ ክርስቶስ የሱስን ኣብ ቅድሚ እቶም ሕሩያት መላእኽትን ኤማሕጽነካ አሎኹ። [22] ብታህዋኽ ኣብ
ሓደ እኳ ኢድካ ኣይተንብር፡ ኣብ ሓጢኣት ካልኦትውን ኣይትጸምበር። ንርእስኻ ብንጽህና ሐሉ። [23]
ደጊም ስለ ኽብድኻን ስለቲ ዚመላለሰካ ዘሎ ሕማምንሲ፡ ሒደት ወይኒ ደኣ እምበር፡ ማይ ጥራይ
ኣይትስተ። [24] ሓጢኣት ገሊኦም ሰባት ግሁድ እዩ፡ ናብ ፍርዲ ኸኣ ይቕድሞም። ናይ ገሊኦም ግና
ይስዕቦም እዩ። [25] ከምኡ ኸኣ እቲ ሰናይ ግብሪ ግሉጽ እዩ፡ እቲ ዘይግሉጽውን ኪስወር ኣይከኣሎን እዩ።

# ምዕራፍ 6

[1] እቶም ኣብ ትሕቲ ኣርዑት ዘለዉ ኹሎም ባሮት ከኣ፡ ስም ኣምላኽን እቲ ምህሮን ምእንቲ
ኸይጽረፍሲ፡ ነቶም ጐይተቶም ክብረት ዘበለ ኸም ዚግብኦም ይቝጸርዎም። [2] እቶም ኣመንቲ ጐይተት
ዘለዎም ድማ፡ ኣሕዋቶም ብምዃኖም ኣይንዓቕዎም፡ እቶም በቲ ጽቡቕ ዕዮኦም ዚጥቀሙ ዘለዉ
ኣመንትን ፍቁራትን ብምዃኖም እባ ደኣ ኣብዚሖም ይገዝእዎም። እዚ ነገርዚ ምሃርን ምዓድን። [3] ሓደ
እኳ ኻልእ ምህሮ እንተ መሃረ፡ በቲ ጥዑይ ቃል ጐይታና የሱስ ክርስቶስ በቲ ኣምልኾ ዘለዎ ምህሮን
እንተ ዘይተታሕዘ፡ [4-5] ንሱ ብኽትዕን ብዜብእስ ዘረባን ሐሚሙ እዩ እምበር፡ ሓንቲ እኳ ዘይፈልጥ
ንፉሕ እዩ። ካብዚ እዩ ቕንኢ፡ ባእሲ፡ ጸርፊ፡ ሕሱም ጥርጥር፡ ናይቶም ሓሳቦም ዝጠፍኤን ሓቂ ዝሰኣኑን
ሰባት ብርቱዕ ጽልኢ ዝመጽእ፡ ካብ ከምዚኣቶም ዘመሰሉ ርሐቕ። እዚኣቶም ኣምልኾስ መገባብሮ ረብሓ
ኸም ዝኾነ እዩ ዚመስሎም። [6] ግናኸ ኣምልኾ ምስ ይኣኽለኒ ምባል ዓብዪ ረብሓ እዩ። [7] ማለት፧ ናብ
ዓለም ሓንቲ እኳ ኣየምጻእናን እሞ ሓንቲ ኽንወስድ ኣይከኣለናን እዩ። [8] ቀለብናን ክዳንናን እንተ
ኣሎናስ፡ ንሱ ይእከለና። [9] እቶም ኪህብትሙ ዚደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጠራን፡ ኣብ ብዙሕ ንሰብ
ናብ ምብራስን ጥፍኣትን ዜስጥሞ ናይ ዕሽነትን ጕድኣትን ትምኒት እዮም ዚወድቁ። [10] እቲ ፍቕሪ
ገንዘብሲ ሱር ኵሉ ኽፍኣት እዩ እሞ፡ ገሊኦም ንእኡ እናተመጣጠሩ ኻብ እምነት ዘምበሉ፡ ናብ
ርእሶምውን ብዙሕ ስቓይ ኣምጽኡ። [11] ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንስኻ ግና ካብዚ ህደም እሞ ደድሕሪ
ጽድቂ፡ ኣምልኾ፡ እምነት፡ ፍቕሪ፡ ትዕግስቲ፡ ህድኣት ሰዓብ። [12] ጽቡቕ ገድሊ እምነት ተጋደል፡ ነታ
እተጸዋዕካላ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ምስክርውን ጽቡቕ ምእማን እተኣመንካላ ህይወት ዘለኣለም ሐዛ። [13-
14] ክሳዕ ምግላጽ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ነቲ ትእዛዝ ብዘይ ርስሓትን መንቅብን ክትሕልዎ፡ ኣብ ቅድሚ
እቲ ንኹሉ ህያው ዚገብር ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ጶንጥዮስ ጲላጦስ ጽቡቕ ምእምን እተኣመነ
ክርስቶስ የሱስን እእዝዘካ አሎኹ። [15] ብግዝያቱ ዚገልጾ፡ እቲ ብጹእ በይኑ ኸኣ ስልጣን ዘልዎ ንጉስ
ነገስታት፡ ጐይታ ጐይተትውን፡ [16] ንሱ በይኑ ዘይመውት፡ ሓደ ሰብ እኳ ከቶ ዘይረኣዮ ኺርእዮውን
ዘይኽእል፡ ኣብ ዘይቅረብ ብርሃን ዚነብር፡ ንእኡ ኽብርን ናይ ዘለኣለም ስልጣንን ይኹን። ኣሜን። [17]
ነቶም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለዉ ሃብታማት ከይዕበዩ፡ በቲ ኽንሕጐስ ኢሉ ኹሉ ብልግሲ ዚሃበና
ኣምላኽ እምበር፡ በዚ ሓላፊ ሃብቲ ኸይእመኑ ኣዝዞም። [18] ገበርቲ ሰናይ ኪኾኑ፡ ብሰናይ ግብሪ
ኺህብትሙ፡ ለጋሳትን መማቐልትን ኪኾኑ፡ [19] ናይ ሓቂ ህይወት ምእንቲ ኺረኽቡስ፡ ነቲ ዚመጽእ ዘሎ
ጊዜ ጽቡቕ መሰረት ንርእሶም ኪእከቡ ኣዝዞም። [20-21] ኣታ ጢሞቴዎስ፡ ካብቲ፡ ገሊኦም ተኣሚኖምዎ
ኻብ እምነት ዘምቢሎም ዘለዉ፡ ብሓሶትሲ ፍልጠት ተብሂሉ ዘሎ ርኹስ ሃተውተውን ክትዕን ርሐቕ።

ነቲ ሕድሪ እተዋህበካ ሐልዎ። ጸጋ ምሳኻ ይኹን። ኣሜን።

# 2ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ጢሞቴዎስ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ከም እታ ተስፋ ናይታ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘላ ህይወት፡ ብፍቓድ ኣምላኽ ሃዋርያ የሱስ
ክርስቶስ ዝኾነ፡ 2 ናብ ጢሞቴዎስ ፍቁር ወደይ፡ ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ክርስቶስ የሱስ
ጐይታናን ጸጋ፡ ምሕረት፡ ሰላም ምሳኻ ይኹን። 3-5 እታ ኣባኻ ዘላ፡ ልግሚ ዜብላ ቕድም ኣብ ሎኢስ
ዓባይካ፡ ኣብ ኤውኒቄ ኣዴኻውን ዝሐደረት እምነት እናዘከርኩ፡ኣባኻ ድማ ኸም ዘላ ተረዲኤ
ኣሎኹ፡ንብዓትካ ዘኪረ፡ ብታሕጓስ ምእንቲ ኽመልእሲ፡ ክርእየካ እናናፈቕኩ፡ ብጸሎተይ ለይትን
መዓልትን ከየብኰርኩ እናዘከርኩኻ፡ ነቲ ኻብ ኣቦታተይ ጀሚረ ብንጹህ ሕሊና ዘገልግሎ ዘሎኹ
ኣምላኽ ኤመስግኖ ኣሎኹ። 6-7 በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣምላኽሲ መንፈስ ሓይልን ፍቕርን ቅጽዓትን
እምበር፡ መንፈስ ፍርሃት ኣይሃበናን እሞ፡ ነቲ ብምንባር ኢደይ ኣባኻ ዘሎ ውህበት ኣምላኽ ክትሕድሶ
ኤዘክረካ ኣሎኹ። 8 ደጊም ብሓይሊ ኣምላኽ ምእንቲ ወንጌል ምሳይ መከራ ጽገብ እምበር፡ ብምስክር
ጐይታና ወይስ ብኣይ ብእሱር ኣይትሕፈር። 9 ኣምላኽ ብፍቓድ ርእሱን በቲ ብክርስቶስ የሱስ ቅድሚ
ዘመናት ዓለም እተዋህበና ጸጋን ኣድሒነና ብቕዱስ ጽውዓውን ጸውዓና እምበር፡ ብግብርና ኣይኰነን። 10
ሕጂ ግና ብምግሃድ መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ ተገልጸ፡ ንሱ ንሞት ዝሰዓሮ፡ ንህይወትን ንዘይምጥፋእን
ብወንጌል ናብ ብርሃን ዘውጽአ፡ 11 ነዚ ኣነ ኣዋጅን ሃዋርያን መምህር ኣህዛብ ክኸውን ተሸምኩ። 12
ብምኽንያቱውን እየ እዚ ሓሳር እዚ ዝጸግብ ዘሎኹ፡ ግናኸ ብመን ከም ዝኣመንኩ እፈልጥ እየ፡ ነቲ
ገንዘብ ሕድሪውን ክሳዕ እታ መዓልቲ እቲኣ ምሕላዉ ኸም ዚከኣሎ ተረዲኤዮ ኣሎኹ እሞ፡ ኣይሐፍርን
እየ። 13 ነቲ ኻባይ ዝሰማዕካዮ ጥዑይ ቃል ከኣ በቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ እምነትን ፍቕርን ንምሳሌ
ሐዞ። 14 ነቲ እተቐበልካዮ ጽቡቕ ሕድሪ በቲ ኣባና ሐዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ ሐልዎ። 15 እቶም ኣብ እስያ
ዘለዉ ኹላቶም፡ ካባታቶም ከኣ ፍጌሎስን ህርሞጌኔስን፡ ከም ዝኸድዑኒ፡ እዚ ትፈልጥ ኣሎኻ። 16-17
ኦኔሲፎሮስ ናብ ሮሜ መጺኡ፡ ኣዝዩ ደለየንን ረኸበንን፡ ብዙሕ ሳዕ ኣፈሸሒዉለይ፡ በቲ መቕሕይውን
ኣይሐፈረን እሞ፡ እግዚኣብሄር ንቤቱ ምሕረት ይሃብ። 18 በታ መዓልቲ እቲኣ ምሕረት ካብ ጐይታ
ኺረክብ፡ እግዚኣብሄር ይሃቦ። ኣብ ኤፌሶን ክንደይ ከም ዘገልገለኒውን፡ ካባይ ዚበልጽ ንስኻ ትፈልጥ
ኢኻ።

## ምዕራፍ 2

1 ኣታ ወደየ፡ እምብኣርሲ በቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ጸጋ ደልድል። 2 እዚ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት
ምስክር ካባይ ዝሰማዕካዮ ድማ ንኻልኦት ኪምህሩ ንዚከኣሎም እሙናት ሰብ ሕድሪ ሃቦም። 3 ከም
ንፉዕ ናይ ክርስቶስ የሱስ ዓቀይታይ ምሳይ ኴንካ መከራ ጽገብ። 4 ዓቀይታይ ናብ ኵናት ከይዱስ፡ ነቲ
ዘዐቀዮ ምእንቲ ኼስምሮ ኢሉ፡ ብናይ መነባብሮኡ ዚጠላለፍ የልቦን። 5 ከምእውን ሓደ ኣብ ስፍራ
መቃለሲ ኹይኑ ዚቃለስ፡ ከምቲ ሕጉ ገይሩ እንተ ዘይተቓለሰ፡ ኣኽሊል ዓወት ኣይረክብን እዩ። 6 እቲ
ዚዓዩ ሓረስታይ ካብቲ ፍረ ቕድም ግዲኡ ኺወስድ ይግባእ እዩ። 7 እግዚኣብሄር ብኹሉ ኣእምሮ
ኺህበካ እዩ እሞ፡ ነዚ ዝብሎ ዘሎኹ ኣስተብህሎ። 8 ነቲ ኸም ወንጌለይ ካብ ዘርኢ ዳዊት ዝኾነ ካብ

ምዉታትውን ዝተንስኤ የሱስ ክርስቶስ ዘክሮ። 9 ብዛዕባኡ ኸም ገባር ክፉእ ተቘጺረ ኽሳዕ መቕሕ
ሓሳረ መከራ እጸግብ አሎኹ፡ ግናኸ እቲ ቓል ኣምላኽሲ ኣይእሰርን እዩ። 10 ስለዚ ምእንቲ እቶም
ሕሩያት፡ ንሳቶም ድማ እቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ምድሓን ምስ ናይ ዘለኣለም ክብሪ ምእንቲ
ኺረኽቡ፡ ንኹሉ እዕገስ አሎኹ። 11 እሙን ቃል እዩ፡ ምስኡ እንተ ሞትናስ፡ ምስኡ ኸኣ ብህይወት
ክንነብር ኢና። 12 እንተ ተዓገስና፡ ምስኡ ኸኣ ክንነግስ ኢና። እንተ ኽሒድናዮ፡ ንሱውን ኪኽሕደና እዩ።
13 ንሕና እንተ ጠለምናዮ፡ ንሱ ንርእሱ ኪኽሕድ ኣይከአሎን እዩ እሞ፡ እሙን ኰይኑ እዩ ዚነብር። 14
ነቶም ዚሰምዕዎ ዜስሕቶም፡ ረብሓ ብዜብሉ ቓል ከይብኣሱ፡ ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር እናመስከርካ፡
እዚ ኣዘክሮም። 15 ንርእስኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፡ ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ፡
ንኣምላኽ ከተርእዮ ጽዓር። 16 ነቲ ፍረ ዜብሉ፡ ርኹስ ዘረባ ግና ኣግልሰሉ። ናብ ረሲእነት እናገደዱ
ይኸዱ እዮም እሞ፡ 17 እቲ ዘረባኦም ከም መንሽሮ እናለሐመ ዚባላዕ እዩ። ሄሜኔዎስን ፊሌጦስን
ካባታቶም እዮም። 18 ንሳቶም፡ ትንሳኤ ቕድሚ ሕጂ ኰይኑ፡ እናበሉ ኻብ ሓቂ ዘምበሎም፡ እምነት
ሓያሎ ሰባት ይገላብጡ ኣለዉ። 19 እቲ ጽኑዕ መሰረት ኣምላኽ ግና ቈይሙ ኣሎ፡ እዚ ማሕተም እዚውን
ኣለዎ፡ እግዚኣብሄር ነቶም ናቱ ዘበሉ ይፈልጦም እዩ፡ ስም እግዚኣብሄር ዚሰሚ ዘበለ ኹሉ ኸኣ ካብ
ዓመጻ ይርሓቕ። 20 ግናኸ ኣብ ዓብዪ ቤት ካብ ዕጨይትን መሬትን ዝኾነ ኣቓሑ ድማ እምበር፡ ኣቓሑ
ወርቅን ብሩርን ጥራይ ኣይኰነን ዚርከብ፡ ገሊኡ ንኽብረት ገሊኡውን ንውርደት ይኸውን። 21
እምብኣርሲ ሓደ እኳ ርእሱ ኻብ እዚኣቶም እንተ ኣጽረየ፡ ንሱ ኣቕሓ ኽብሪ እተቐደሰ፡ ንተግባር ብዓል
ቤት ዚጠቅም፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለወ ይኸውን እዩ። 22 ካብ ትምኒት ጒብዝና ህደም፡ ምስቶም
ብንጹህ ልቢ ንእግዚኣብሄር ዚጽውዕዎ ኸኣ ኣሰኣሰር ጽድቅን እምነትን ፍቕርን ሰላምን ስዓብ። 23 ነቲ
ኸርክር ዕሽነትን ላግጽን ግና፡ ባእሲ ኸም ዜምጽእ ፈሊጥካ፡ እበዮ። 24 ባርያ እግዚኣብሄር ንኹሉ ለዋህ፡
መሃሪ፡ ዕጉስ ኪኸውን እምበር፡ ኪብኣስ ኣይግብኦን እዩ። 25 ምናልባሽ እግዚኣብሄር ንሓቂ ምእንቲ
ኺፈልጥዋ ኢሉ፡ ንስሓ እንተ ሃቦም፡ ንሱ ነቶም ተጻረርቲ ብህድኣት እናገንሖም፡ 26 ፍቓድ ኣምላኽ
ኪገብሩ ኢሉ ምስ ኣውጽኦም፡ ንሳቶም ካብ መፈንጠራ ድያብሎስ ኣምሊጦም ናብ ልቦም ይምለሱ
እዮም።

## ምዕራፍ 3

1 ኣብተን ዳሕሮት መዓልታት ግና ክፉእ ዘመን ከም ዚመጽእ፡ እዚ ፍለጥ። 2 ሽዑ ሰባት ፈተውቲ
ርእሶም ኪኾኑ እዮም እሞ፡ ፈተውቲ ገንዘብ፡ ተጀሃርቲ፡ ዕቡያት፡ ተጻረፍቲ፡ ንወለዶም ዘይእዘዙ፡
ዘየማስዉ፡ ርኹሳት፡ 3 ፍቕሪ ንስድራ ቤቶም እኳ ዜብሎም፡ ተቐየምቲ፡ ሓመይቲ፡ ቀለልቲ፡ ጨካናት፡
ሰናይ ዘይፈትዉ፡ 4 ኣሕሊፎም ዚህቡ፡ ህዉኻት፡ ተፈኸንንቲ፡ ካብ ንኣምላኽ ምፍቃርሲ ኣዕዚዞም ተድላ
ዚፈትዉ፡ 5-7 እቶም መልክዕ ኣምልኾ ዘለዎም፡ ነቲ ሓይሉ ግና ዚኽሕድዎ፡ ናብ ኣባይቲ ህሩጉ እናበሉ፡
ሓጢኣት ዝመልኤንን ብብዙሕ ትምኒት ዚድፍኣን፡ ኵሉ ሳዕ ዚምሃራ ናብቲ ፍልጠት ሓቂ ኺበጽሓ ግና
ከቶ ዘይከኣለን ኣንስቲ ዚማርኹ፡ ካብ እዚኣቶም እዮም እሞ፡ ካብ እዚኣቶምውን ርሓቕ። 8 ከምቲ
እያኔስን እያምብሬስን ንሙሴ እተቓወምዎ፡ እቶም ኣእምሮኦም ዝጠፍኤ፡ ብእምነት ዘይተፈተኑ ሰባት
ድማ ከምኡ ነታ ሓቂ ይቃወምዋ ኣለዉ። 9 ግናኸ ከምቲ ናይ እቲኣቶም ዝኾነ ኸኣ፡ እቲ ዕሽነቶም
ንኹሉ ኺግለጽ እዩ እሞ፡ ካብኡ ሐሊፎም ኣየስልጡን እዮም። 10 ንስኻ ግና ንትምህርተይ፡ ንንብረተይ፡
ንፍቓደይ፡ ንእምነተይ፡ ንዓቕለይ፡ ንትዕግስተይ ኣጸቢቕካ ሰዓብካ። 11 ኣብ ኣንጾክያን ኢቆንዮምን

ልስጥራን ብዝበጽሓኒ ስደተይ፡ መከራይ፡ ከምዚ ዝበለ ስደት ጾርኩ፡ ጐይታ ግና ካብ ኵሉ ኣድሓነኒ። 12
ግናኸ እቶም ብክርስቶስ የሱስ ብፍርሃት እግዚኣብሄር ኪነብሩ ዚደልዩ ዅሎም ኪስጐጉ እዮም። 13
እቶም እኩያት ሰባትን ጠበርትን ግና እናኣስሐቱን እናስሐቱን ናብ ዝገደደ ኺበጽሑ እዮም። 14-15 ንስኻ
ግና ካብ እንመን ከም እተመሃርካ ፈሊጥካ፡ ነተን ካብ ቍልዕነትካ ጀሚርካ ብእምነት ብክርስቶስ የሱስ
ንምድሓን ኬለብማኻ ዚኽእላ ቅዱሳት ጽሑፋት ፈሊጥካ፡ በቲ እተምሃርካዮን እተረዳእካዮን ጽናዕ። 16-
17 እቲ ናይ ኣምላኽ ሰብ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ፈጺሙ ተዳልዩ፡ ፍጹም ምእንቲ ኪኸውንሲ፡ መንፈስ
ኣምላኽ ዝነፈሶ ዘበለ ጽሑፍ ንትምህርቲ፡ ንተግሳጽ፡ ንምቕናዕ፡ ንጽድቂ ዚኸውን ምእዳብ ይጠቅም
እዩ።

## ምዕራፍ 4

1-4 ኣእዛኖም ኣስሐይዎም ደኣ፡ ብትምኒት ርእሶም መምህራን ኪእከቡ እምበር፡ ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ
ዘይዕገሱሉ ዘመን ኪመጽእ እዩ፡ ሽዑ ኣእዛኖም ካብ ሓቂ ኺመልሱ፡ ናብ ጽውጽዋያትውን ኪምለሱ
እዮም እሞ፡ ብዅሉ ዓቕልን ብምህሮን እቲ ቓል ክትሰብኽ፡ ብጊዜኡን ብዘይጊዜኡን ከተስምዕ፡
ክትገንሕ፡ ክትቀጽዕ፡ ክትምዕድ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ኣብ ቅድሚ እቲ ንህያዋንን ምዉታንን ኪፈርድ
ዘለዎ ክርስቶስ የሱስን በቲ ምግላጽ መንግስቱን ኤማሕጽነካ ኣሎኹ። 5 ንስኻ ግና ብኵሉ ተጠንቀቕ፡
መከራ ጽገብ፡ ግብሪ ወንጌላዊ ግበር፡ ኣገልግሎትካ መልእ። 6 ኣነስ ካብ ሕጂ እስዋእ ኣሎኹ፡ እታ
መዓልቲ ምስንባተይውን በጺሓ እያ እሞ፡ 7 ሰናይ ገድሊ ተጋዲለ፡ እቲ ጒያ ወዲኤ፡ ነታ እምነት ሐልየ።
8 ደጊምሲ ጐይታይ፡ ንሱ እቲ ጻድቕ ፈራዲ፡ በታ መዓልቲ እቲኣ ዚህበኒ ኣኽሊል ጽድቂ ተነቢሩለይ
ኣሎ። እዚ ግና ነቶም ምግሃዱ ዜፍቅሩ ዅላቶም ድማ እዩ እምበር፡ ንኣይ ጥራይ ኣይኰነን። 9
ቀልጢፍካ ናባይ ክትመጽእ ፍጠን። 10 ዴማስ፡ ነዛ ዓለም እዚኣ ፈትይዋ እዩ እሞ፡ ሐደገኒ ናብ
ተሰሎንቄውን ከደ። ክሬስኬስ ናብ ገላትያ፡ ቲቶስ ናብ ደልማይታ ኸዱ። 11 ሉቃስ ጥራይ ምሳይ ኣሎ፡
ማርቆስ ንዕዮ ይጠቕመኒ እዩ እሞ፡ ተማልኣዮ፡ ምሳኻ ይምጻእ። 12 ንጥኪቆስ ግና ናብ ኤፌሶን ሰዲደዮ
ኣሎኹ። 13 ክትመጽእ ከሎኻ፡ እቲ ኣብ ጥሮኣስ ምስ ቃርጶስ ዝሐደግክዎ ባርኖስን እቲ መጻሕፍትን፡
ምናዳ እቲ ብራናታት፡ ተማልኣለይ። 14 እስክንድሮስ፡ እቲ ኣንጠረኛ፡ ብዙሕ ክፉእ ገይሩኒ። እግዚኣብሄር
ከምታ ግብሩ ኺፈድዮ እዩ። 15 ንሱ፡ ነቲ ቓልና ብዙሕ ይጻረሮ እዩ እሞ፡ ንስኻ ድማ ካብኡ ተሐሎ። 16
ኣብቲ ቐዳማይ ምጒተይ፡ ኣይሐዘሎም፡ ኵላቶም ጠለሙኒ እምበር፡ ሓደ እኳ ምሳይ ኣይነበረን። 17 እቲ
ስብከት ብኣይ ምእንቲ ኺምላእ፡ ኵሎም ኣህዛብውን ምእንቲ ኺሰምዑ ግና፡ ጐይታ ቜመለይ፡
ኣበርትዓኒ፡ ካብ ኣፍ ኣንበሳውን ኣናገፈኒ። 18 እግዚኣብሄር ካብ እኩይ ግብሪ ዘበለ ኼናግፈኒ፡ ናብታ
ሰማያዊት መንግስቱ ኽኣቱውን ኬድሕነኒ እዩ። ንእኡ ኻብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።
19 ንጵርስኪላን ንኣኪላስን ንቤት ኦኔሲፎሮስን ሰላም በለለይ። 20 ኤራስጦስ ኣብ ቈረንቶስ ተሪፉ፡
ንጥሮፊሞስ ግና ሐሚሙ ኣብ መሊጦስ ሐዲገዮ ኣሎኹ። 21 ቅድሚ ኽረምቲ ንምምጻእ ፍጠን።
ኤውቡሎስን ጱደንስን ሊኖስን ቅላውድያን ኵላቶም ኣሕዋትን ሰላም ይብሉኻ ኣለዉ። 22 ጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ምስ መንፈስካ ይኹን። ጸጋ ምሳካትኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ቲቶስ

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ፡ ባርያ ኣምላኽን ሃዋርያ የሱስ ክርስቶስን፡ ብእምነት ሕሩያት ኣምላኽ ብፍልጠት ሓቂውን
ምስ ኣምልኾ፡ 2 በታ እቲ ዘይሕሱ ኣምላኽ ቅድሚ ዘመናት ዘለኣለም ዘተስፈዋ ተስፋ ናይ ዘለኣለም
ህይወት፡ 3 ግናኸ ብትእዛዝ ኣምላኽ መድሓኒና በቲ ንኣይ ሕድሪ ዝሃበኒ ስብከት ገይሩ ብጊዜኡ ንቓሉ
ገለጾ፡ 4 ናብ ቲቶስ፡ ብሕብረት እምነት ናይ ሓቂ ወደይ። ካብ እግዚኣብሄር ኣቦን ካብ ጐይታና መድሓኒና
የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ምሳኻ ይኹን። 5 ከምቲ ኣነ ዝኣዘዝኩኻ ጌርካ ዝተረፈ ምእንቲ ኽትሰርዕ፡
ኣብ ከከተማኡውን ሽማግሌታት ክትሽይም፡ በዚ ምኽንያት እዚ እየ ኣብ ቅሬጥስ ዝሓደግኩኻ፡ 6-8 እቲ
ኤጰስቆጶስ ከኣ መንቅብ ዜብሉ፡ ሰብኣይ ሓንቲ ሰበይቲ፡ ብርኽሰት ወይስ ብዘይ ምእዛዝ ዘይሕመዩ
ኣመንቲ ውሉድ ዘለውዎ፡ ተቐባል ጋሻ፡ ሰናይ ዚፈቱ፡ ለባም፡ ቅኑዕ፡ ቅዱስ፡ ይኣኽለኒ በሃሊ፡ መንቅብ
ዜብሉ፡ ከም ናይ ኣምላኽ መጋቢ እምበር፡ ፈታው ርእሱ ዘይኰነ፡ ዘይኵሪ፡ ናብ መስተ ዘየድህብ፡
ዘይዋቓዕ፡ ርኹስ ረብሓ ዘይደሊ ሰብ ኪኸውን ይግባእ። 9 ንሱ በቲ ጥዑይ ትምህርቲ ምእንቲ ኺምዕድ፡
ነቶም ተቓናቐንቲውን ምግናሖም ምእንቲ ኺከኣሎስ፡ በቲ እሙን ቃል ምህሮ ይጽናዕ። 10 ብዙሓት
ዘይእዘዙ ተዛረብቲ ሃተውተውን መስሓትን ኣለዉ፡ እዚኣቶም ምናዳ ኻብ ሰብ ግዝረት እዮም። 11
ንሳቶም ርኹስ ረብሓ ምእንቲ ኺረኽቡ ኢሎም፡ ዘይግባእ እናመሃሩ፡ ንብዘሎ ኣባይቲ ዚገላባብጡ፡
ምዕባስ ኣፎም ግቡእ እዩ። 12 ሓደ ኻባታቶም፡ ናታቶም ነብዩ፡ ሰብ ቅሬጥስ ኵሉ ሳዕ ሓሰውቲ፡ እኩያት
ኣራዊት፡ ሃካያት ኣኽብዲ እዮም፡ በለ። 13-14 እዚ ምስክር እዚ ሓቂ እዩ። ስለዚ ብእምነት ምእንቲ
ኺጥዕዩ፡ ናብ ጽውጽዋያት ኣይሁድን ናብ ትእዛዛት እቶም ካብ ሓቂ ዝዘምበሉ ሰባትን ከየቕልቡ፡
ኣሕሚምካ ግንሓዮም። 15 ነቶም ርኹሳትን ዘይኣምኑን ግና፡ እቲ ኣእምሮኦምን ሕልናኦምን ርኹስ እዩ
እምበር፡ ከቶ ንጹህ የብሎምን። 16 ንኣምላኽ ከም ዚፈልጥዎ ባዕሎም ይብሉ፡ ፍንፉናትን ዘይእዘዙን
ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ዅሉ ዘይጠቕሙን ብምኳኖም ግና በቲ ግብሮም ይኽሕድዎ ኣለዉ።

## ምዕራፍ 2

1 ንስኻ ግና ነቲ ጥዑይ ትምህርቲ ኸም ዚግባእ ጌርካ ንገር፡ 2 እቶም ኣረገውቲ ሰብኡት ጥንቁቓት፡
ረዘንቲ፡ ለባማት፡ ብእምነት፡ ብፍቕሪ፡ ብትዕግስቲ ጥዑያት ኪኾኑ፡ 3 እተን ኣረገውቲ ኣንስቲውን ከምኡ
ንንብረት ቅድስና ኸም ዚግባእ፡ ዘይሓመይቲ፡ ብዙሕ ወይኒ ንምስታይ ባሮት ዘይኰና፡ መሃርቲ ሰናይ
ኪኾና፡ 4-5 ነተን ናእሽቱ ኣንስቲ ኸኣ፡ እቲ ቓል ኣምላኽ ምእንቲ ኸይጽረፍሲ፡ ንሰብኡተንን ውሉደንን
ኬፍቅራ፡ ነፍሰን ዚቕጽዓ ንጹሃት፡ ቤተን ዚኣልያ፡ ሕያዎት፡ ንሰብኡተን ዚእዘዛ ኪኾና ኼለብምኤን
ምዓደን። 6 ነጕባዝውን ከምኡ ለባማት ኪኾኑ ምዓዶም። 7-8 ካብቶም ተቓናቐንቲ ሓደ እኳ ብዛዕባና
ዚብሎ ክፉእ ነገር ስኢኑ ምእንቲ ኺሐፍርሲ፡ ብንጹህ ትምህርቲ፡ ብምርዛን፡ መንቅብ ብዜብሉ ጥዑይ
ዘረባ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ ርእሰኻ ኣርኣያ ግበር። 9-10 ንግዙኣት፡ ነቲ ትምህርቲ እግዚኣብሄር መድሓኒና
ምእንቲ ኺስልምዎ፡ ብዅሉ ደኣ ሕያወይቲ እምነት ኬርእዩ እምበር፡ መደሃሃቕቲ ኸይኰኑ፡ ንጐይተቶም
ዚግዝኡ፡ ዳርጋዳርጋ ዘይመልሱ፡ ብዅሉ ባህ ዜብሉ ኪኾኑ፡ ምዓዶም። 11 ጸጋ ኣምላኽ ተገሊጹ እዩ

እሞ፡ ንኹሉ ሰብውን ምድሓን ኣምጺኡ፡ 12-13 እቲ ብሩኽ ተስፋን ናይቲ ዕዙዝ ኣምላኽናን መድሓኒና
የሱስ ክርስቶስን ምግላጽ ክብሪ እናተጸቤና፡ ግፍዕን ዓለማዊ ትምኒትን ክሒድና፡ ኣብዛ ዓለም እዚኣ
ብጥንቃቐን ብጽድቅን በምልኾን ክንነብር ይምህረና ኣሎ። 14 የሱስ ክርስቶስ ካብ ዓመጻ ዘበለ ምእንቲ
ሓራ ኺውጽኣና፡ ንርእሱውን ንሰናይ ግብሪ ዚቐንእን ገንዘቡ ዚኾኖን ህዝቢ ምእንቲ ኼንጽህ ኢሉ፡
ነፍሱ በጃና ኣሕለፈ። 15 እዚ ብኹሉ ስልጣን ንገርን ምዓድን ግናሕን። ሓደ እኳ ኣይንዓቕካ።

# ምዕራፍ 3

1 ንሓላቑን ንስልጣናትን ኪግዝኡ፡ ንመራሕቶም ኪእዘዙ፡ ንሰናይ ግብሪ ዘበለ እተዳለዉ ኪኾኑ፡ 2
ንሓደ እኳ ኸይጸርፉ፡ ተባኣስቲ ኸይኮኑ፡ ልኡማት፡ ለውሃት ዘበለ ንኹሉ ሰብ ዜርእዩ ኪኾኑ
ኣዘክሮም። 3 ንሕናውን ቀደምሲ ዓያሱ፡ ዘይእዙዛት፡ ግጉያት፡ ንብዙሕ ፍትወት ስጋን ትምኒትን
እተገዛእና፡ ብኽፍኣትን ቅንኣትን እንነብር ፍንፉናት፡ ንሓድሕድና እንጸላእ ነበርና። 4 እቲ ናይ መድሓኒና፡
ናይ ኣምላኽ ሕያውነትን ፍቕሩ ንሰብን ምስ ተገልጸ ግና፡ 5 ንሱ ብምሕረት ብምሕጻብ ሓድሽ ልደትን
ብምሕዳስ መንፈስ ቅዱስን እዩ ዘድሓነና እምበር፡ ንሕና ብዝገበርናዮ ግብሪ ጽድቂ ኣይኮነን። 6-7
ብጸጋኡ ጻዲቕና፡ ብተስፋ ናይ ዘለኣለም ህይወት ወረስቲ ምእንቲ ኽንከውንሲ፡ ብመድሓኒና የሱስ
ክርስቶስ ገይሩ ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ልዕሌና ኣብዚሑ ኣፍሰሶ። 8 እዚ ቓልዚ እሙን እዩ፡ ነቶም
ብኣምላኽ ዝኣመኑ፡ ሰናይ ግብሪ ንምግባር ምእንቲ ኪቐንኡ፡ በዚ ኣጸቢቕካ ኽተረድኦም እደሊ ኣሎኹ።
እዚ ጽቡቕን ንሰብ ዚጠቅምን እዩ። 9 ናይ ዕሽነት ክርክርን ቍጽሪ ወለዶታትን ብናይ ሕጊ ጫውጫውን
ባእስን ግና ዘይጠቅምን ከንቱን እዩ እሞ፡ ኣግልሰሉ። 10-11 ነቲ ሻረኛ፡ እቲ ኸምዚ ዘመሰለ ጥፉእ ምዃኑ
ባዕሉ ንርእሱ ኈኒኑውን ሓጢኣት ምግባሩ ፈሊጥካ፡ ሓደ ሳዕን ካልኣይ ሳዕን ምስ መዓድካዮ፡ ኣርሕቆ።
12 ኣብ ኒቆጰሊስ ክኸርም መዲበዮ ኣሎኹ እሞ፡ ኣርጢማስ ወይስ ጥኪቆስ ምስ ለኣኽኩልካ፡ ቀልጢፍካ
ናባይ ምጻእ። 13 ንዜናስ ፈላጥ ሕግን ንኣጵሎስን ገለ ነገር እኳ ኸይጐድሎም ኣጸቢቕካ ኣፋንዎም። 14
እቶም ናትናውን ብዘይ ፍረ ኸይኮኑ፡ ነቲ ብግዲ ዜድሊ ነገር ሰናይ ግብሪ ኺገብሩ ይምሃሩ። 15 ምሳይ
ዘለዉ ኹሎም ሰላም ይብሉኻ ኣለዉ። ነቶም ብእምነት ዜፍቅሩና ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ በለልና።
ጸጋ ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ፊልሞን

## ምዕራፍ 1

1 ጳውሎስ እሱር ክርስቶስ የሱስ፡ ጢሞቴዎስውን ሓውና፡ ናብቲ ፍቁርን መዓይይትናን ፊልሞን፡ 2 ናብ
ኣጵያ ሓብትናውን ናብቲ ምሳና ኾይኑ ዚዋጋእ ኣርኪጶስ ከኣ፡ ናብታ ኣብ ቤትካ ዘላ ማሕበርውን። 3
ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ይውረድኩም። 4-7 ኣታ ሓወየ፡
ልቢ እቶም ቅዱሳት ብኣኻ ስለ ዝቐሰነ፡ በታ ፍቕርኻ ብዙሕ ሓጐስን ህድኣትን ረኺበ እየ እሞ፡ እተን
ንጐይታና የሱስ ንዅሎም ቅዱሳትን ዘለዋኻ ፍቕርን እምነትን ምስ ሰማዕኩ፡ ነቲ ብክርስቶስ ኣባኻትኩም
ዘሎ ዅሉ ሰናይ ነገር እናፈለጥካ፡ እቲ ሕብረት እምነትካ ምእንቲ ኼስልጥ፡ ኣብ ጸሎተይ እናዘከርኩኻ፡
ኵሉ ሳዕ ንኣምላኸይ ኤመስግን ኣሎኹ። 8 ስለዚ እቲ ግቡእ ክእዝዘካ ብክርስቶስ የሱስ ብዙሕ ትብዓት
ዘሎኒ ኽነሰይሲ፡ 9 ከምዛ ዘሎኽዋ ኣነ ጳውሎስ፡ ኣረጊት፡ ሕጂውን ናይ የሱስ ክርስቶስ እሱር፡ ምእንቲ
ፍቕሪ ኢለ እልምነካ ኣሎኹ። 10 ብዛዕባ እቲ ኣብ መቕውሒይ ኰይነ ዝወለድክዎ ወደይ ኦኔስሞስ
እልምነካ ኣሎኹ። 11 ንሱ ቐደም ኣይጠቕመካን፡ ሕጂ ግና ንኣኻን ንኣይን ይጠቕመና እዩ እሞ፡ ናባኻ
መሊሰዮ ኣሎኹ። 12 ከም ልበይ ጌርካ ተቐበሎ። 13 ኣነስ እኳ፡ ኣብዚ መቕውሒይ ስለ ወንጌል ኣብ
ክንዳኻ ኾይኑ ምእንቲ ኼገልግለኒ፡ ንርእሰይ ከትርፎ ምደሌኹ ነይረ። 14 ግናኸ እቲ ሰናይ ግብርኻ
ብፍታው እምበር፡ ከም ብግዲ ምእንቲ ኸይከውን፡ ብዘይ ፍቓድካ ሓንቲ እኳ ኽገብር ኣይፈቶኹን። 15
እቲ ንሱ ንሸዑ እተፈልየካ ምናልባሽ ንሓዋሩ ምእንቲ ኽትረኽቦ እዩ ዚኸውን። 16 ደጊምሲ ኻብ ባርያ
ዝበለጸ፡ ምናዳ ንኣይ፡ ክንደይ ግዳ ኣብዚሑ ንኣኻ፡ ብስጋን ብጐይታን ከም ፍቁር ሓው ክትረኽቦ
እምበር፡ ከም ባርያ ኣይኰነን። 17 እምብኣርሲ ኽም ሓው እትርእየኒ እንተ ዄንካስ፡ ከም ነፍሰይ ጌርካ
ተቐበሎ። 18 ግናኸ ገለ በዲሉካ ወይስ ተዓድዩካ እንተ ኾይኑ፡ ኣባይ ቍጸሮ። 19 ኣነ ጳውሎስ ብኢደይ
ጸሐፍክዎ፡ ርእስኻ እኳ ብዓል ዕዳይ ኢኻ ከይብለካ፡ ኣነ እፈድዮ። 20 እወ፡ ኣታ ሓወየ፡ ኣነ ኻባኻ
ብጐይታ እጠቕም፡ ብክርስቶስ ንልበይ ኣቕስነለይ። 21 ሓለፉ እዚ ዝብለካ ዘሎኹ ኽም እትገብር ፈሊጠ፡
ከም እትሰምዓኒውን ኣሚነ እየ እዚ ዝጸሓፍኩልካ። 22 ምስናይ እዚውን ብጸሎትኩም ኣነ ኽውሃበኩም
ተስፋ እገብር ኣሎኹ እሞ፡ ስፍራ ሐዘለይ። 23 ኤጳፍራስ፡ ብክርስቶስ የሱስ መተኣስርተይ፡ 24 ከምእውን
እቶም መዓይይተይ፡ ማርቆስ፡ ኣርስጠርኮስ፡ ዴማስ፡ ሉቃስ ሰላም ይብሉኻ ኣለዉ። 25 ጸጋ ጐይታና
የሱስ ክርስቶስ ምስ መንፈስኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ናብ እብራውያን

## ምዕራፍ 1

1 ኣምላኽ ብዙሕ ሳዕን ብብዙሕ መገድን ቀደም ነቦታትና ብነብያት ገይሩ ምስ ተዛረቦም፡ 2 ኣብዘን
ዳሕሮት መዓልትታት ንኣና በቲ ወራስ ኵሉ ዝገበሮ ብእኡውን ዓለም ዝፈጠረ ወዱ ገይሩ ተዛረበና፡ 3
ንሱ ናይ ክብሩ ነጸብራቕን ቅርጺ ባህርዩን ከሎ፡ ኵሉውን ብሓይሊ ቓሉ ጸዊሩ ኸሎስ፡ ምንጻህ
ሓጢኣትና ምስ ገበረ፡ ኣብ ላዕሊ ኣብ የማን ግርማ ተቐመጠ። 4 ካብቶም መላእኽቲ ብዙሕ ዚበልጽ ስም
ብዝወረሰ መጠን ክሳዕ ክንድዚ ኻባታቶም በለጸ። 5 እስኪ፡ ካብ መላእኽቲኸ ንመኖም እዩ፡ ንስኻ ወደይ
ኢኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ፡ ከም ብሓድሽ ድማ፡ ኣነ ኣቦ እኾኖ ንሱውን ውሉድ ይኾነኒ፡ ዝበሎ፧ 6
ከም ብሓድሽ ድማ ነቲ በዅሪ ናብ ዓለም ኬእትዎ ኸሎ፥ ኵላቶም መላእኽቲ ኣምላኽ ይስግዱሉ፡
ይብል። 7 ብዛዕባ መላእኽቲ ኸኣ፡ መላእኽቱ ንፋሳት፡ ኣገልገልቱውን ሃልሃልታ ሓዊ ዚገብር፡ ይብል። 8
ብዛዕባ ወዱ ግና፥ ኣታ ኣምላኽይ፡ ዝፋንካ ንዘለኣለመ ኣለም ይነብር፡ በትሪ መንግስትኻውን በትሪ
ቕንዕና እያ፡ 9 ጽድቂ ፈቶኻ ዓመጻ ኸኣ ጸላእካ፡ ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሓለፋ ብጾትካ ብዘይቲ
ሓጐስ ቀብኣካ፡ እዩ ዚብል። 10 ድማ፡ ጐይታይ፡ ንስኻ ኻብ ቀደም ንምድሪ ሰረትካያ፡ ሰማያትውን
ግብሪ ኣእዳውካ እዮም። 11 እዚኣቶም ኪጠፍኡ እዮም፡ ንስኻ ግና ትነብር፡ ኵሉውን ከም ክዳን ኪበሊ
እዩ። 12 ከም ዓለባ ድማ ክትጥቕልሎ ኢኻ፡ ኪልወጥውን እዩ፡ ንስኻ ግና ከም ቀደምካ ኢኻ፡
ዓመታትካውን ኣይኪውድኣን እየን፡ ይብል። 13 እስኪ፡ ካብ መላእኽቲኸ ንመኖም እዩ፡ ንጸላእትኻ
መርገጽ እግርኻ ኽሳዕ ዝገብሮምሲ፡ ኣብ የማነይ ተቐመጥ፡ ዝበሎ፧ 14 ኵላቶምዶ ነገልግሎት እቶም
ምድሓን ኪወርሱ ዘለዎም ዚለኣኹ መናፍስቲ ኣገልግሎት ኣይኰኑን፧

## ምዕራፍ 2

1 ስለዚ ምእንቲ ኸይንጠፍእ፡ ናብቲ ዝሰማዕናዮ ኣዚና ኸነቕልብ ይግብኣና እዩ። 2 እቲ ብመላእኽቲ
እተነግረ ቓል ካብ ዚጸንዕ፡ ኵሉ በደልን ዘይምእዛዝን ከኣ ቅኑዕ ፍዳኡ ኻብ ዚቕበል፡ 3-4 ምስናይዚ ድማ፡
ኣምላኽ ከም ፍቓዱ ብትእምርትን ብተኣምራትን በበይኑ ብዝኾነ ሓይልታትን ብምዕዳል መንፈስ
ቅዱስን እናመስከረ፡ ንሱ ኸኣ ብጐይታ ኺንገር ዝጀመረ፡ ካብቶም ዝሰምዕዎ ኸኣ ኣባና ዝጸንዔስ፡ ንሕና
ግዳ ኽንድዚ ዚኣክል ምድሓን ዕሽሽ ካብ እንብል፡ ከመይ ጌርና ኽንመልቕ ይከኣለና፧ 5 ነታ ብዛዕባኣ
እንዛረብ ዘሎና እትመጽእ ዓለምሲ ኣብ ትሕቲ መላእኽቲ ኣየግዝኣን። 6 ግናኸ ሓደስ እኳ ኣብ ሓደ ስፍራ
መስኪሩ ኣሎ፡ ከምዚ ኢሉ፡ ሰብ፡ ንስኻ ኽትዝክሮ፡ እንታይ እዩ፧ ወይስ ወዲ ሰብ፡ ንስኻ ክትኣልዮ፡
እንታይ እዩ፧ 7 ካብ መላእኽቲ ቕሩብ ኣንኣስካዮ፡ ኣኽሊል ክብርን ግርማን ከለልካዮ፡ ኣብ ግብሪ
ኣእዳውካ ኸኣ ሸምካዮ። 8 ንዅሉውን ኣብ ትሕቲ ኣእጋሩ ኣግዚእካዮ። ንዅሉ ኼግዝኣሉ ኸሎ፡ ንእኡ
ዘይግዝኦ ሓንቲ እኳ ኣይሐደገን። ግናኸ ኵሉ ኽም ዚገዝኦ፡ ንሕና ግና ሎሚ ኣይንርእዮን ኢና ዘሎና። 9
ነቲ ብምኽንያት ስቅያት ሞቱ ኻብ መላእኽቲ ገለ ቕሩብ እተታሕተ የሱስ ግና፡ ብጸጋ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ
ዅሉ ሰብ ሞት ምእንቲ ኺጥዕምሲ፡ ኣኽሊል ክብርን ግርማን ተኸሊሉ ንርእዮ ኣሎና። 10 እቲ ዅሉ
ምእንታኡ ዅሉውን ብእኡ ዝኾነ፡ ንብዙሓት ውሉድ ናብ ክብሪ እናኣተዎም፡ ነቲ ራእሲ ምድሓኖም

ብስቅያት ኪፍጽሞ ተገብኦ። 11-12 ማለት፡ እቲ ዚቕድስን እቶም ዚቕደሱን ኲላቶም ካብ ሓደ እዮም። በዚ
ምኽንያት እዚ ኸኣ፡ ስምካ ነሕዋተይ ክነግሮም፡ ኣብ ማእከል ማሕበርውን ክዝምረልካ እየ፡ ኢሉ
ኣሕዋተይ ንምባሎም ኣይሐፍርን እዩ። 13 ደጊሙ ኸኣ፡ ኣነ ኣብኡ ኽውከል እየ፡ ከም ብሓድሽውን፡
እኔኹ፡ ኣነን እቶም ኣምላኽ ዝሃበኒ ውሉድን፡ ይብል። 14-16 እምብኣርሲ ብሓቂ ንዘርኢ ኣብርሃም
ኣልዓሎ እምበር፡ ንመላእኽትስ ኣየልዓሎምን እሞ፡ እቶም ውሉድ ብደምን ስጋን ካብ ዚሐብሩስ፡
ብሞቱ ነቲ ሓይሊ ሞት ኣብ ኢዱ ዝሐዘ ምእንቲ ኺስዓር፡ ንሱውን ድያብሎስ እዩ፡ ነቶም ብፍርሃት
ሞት ብዘሎ ዘመኖም ብባርነት ተታሒዞም ዝነበሩ ኸኣቶም ሓራ ምእንቲ ኼውጽኦም ኢሉ፡ ንሱውን
ብእኡ ሐበሮም። 17 ስለዚ ነቲ ሓጢኣት ህዝቢ ምእንቲ ኼተዓርቕ፡ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን
እሙንን ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ብኹሉ ነቶም ኣሕዋቱ ኺመስሎም ተገብኦ። 18 ንሱ ባዕሉ
ኺፍተን ከሎ ተሰቅዩ እዩ እሞ፡ ነቶም ዚፍተኑ ኺረድኦም ይከኣሎ እዩ።

## ምዕራፍ 3

1-2 ስለዚ ኸኣ፡ ኣቱም ካብቲ ሰማያዊ ጽውዓ ግደ ዘሎኩም ቅዱሳን ኣሕዋተይ፡ ከምቲ ሙሴ ድማ ኣብ
ኲላ ቤቱ እሙን ዝነበረ፡ ናብቲ ነቲ ዝሸሞ እሙን ዝኾነ የሱስ፡ ናይ ምእማንና ሃዋርያን ሊቀ ኻህናትን
ኣቕልቡ። 3 ከምቲ እቲ ሰራሒ ቤት ካብታ ቤት ዚበልጽ ክብሪ ዘለዎ፡ ንእኡ ኸኣ ካብ ሙሴ ዚበልጽ
ክብሪ ተገቢእዎ ኣሎ። 4 ቤት ዘበለትሲ ሰራሒኣ ኣለዋ፡ እቲ ንኹሉ ዛዳለወ ግና ኣምላኽ እዩ። 5 ሙሴስ
ብዛዕባ እቲ ደሓር ኪንገር ዘለዎ ነገር ምስክር ምእንቲ ኪኸውን፡ ከም ጊልያ ኾይኑ ኣብ ኲላ ቤቱ እሙን
ነበረ፡ 6 ክርስቶስ ግና ከም ውሉድ ኣብ ልዕሊ ቤቱ እዩ። ትብዓትናን ትምክሕቲ ተስፋናን ክሳዕ
መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሐዝናስ፡ ቤቱ ንሕና ኢና። 7 ምእንትዚ መንፈስ ቅዱስ ከምዚ ይብል፡ ሎሚ
ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡ 8 ከምቲ ብነድሪ በታ መዓልቲ ፈተና ኣብ በረኻ ዝገበርኩምዎ፡ ልብኹም
ኣይተትርሩ። 9 ኣብኡ ኣቦታትኩም እናተዓዘቡ ፈተኑኒ፡ ግብረይ ከኣ ኣርብዓ ዓመት ረኣዩ። 10 ስለዚ ነዚ
ወለዶ እዚ ኾሬኹሉ እሞ፡ ኲሉ ሳዕ ብልቦም ይስሕቱ፡ መገደይ ግና ኣይፈለጥዎን፡ በልኩ። 11
ብቑጥዓይ ድማ፡ ናብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም፡ ኢለ መሐልኩ። 12-13 ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ሎሚ
ኺብሃል ከሎ፡ ኣብ ጸጽባሕ ንሓድሕድኩም ተማዓዓዱ እምበር፡ ሓደ እኳ ኻባኻትኩም፡ ሓጢኣት
እናዓሸዎ ኽይተርር እሞ፡ ምናልባሽ ኣብ ሓደ ኻባኻትኩም ካብ ህያው ኣምላኽ ዜርሕቕ እኩይ ዘይኣምን
ልቢ ኽይህሉ፡ ተጠንቀቑ። 14 ነታ መጀመርታ እሙንቶና ኽሳዕ መወዳእታ ኣጽኒዕና እንተ ሓዝናያስ፡
ተማቐልቲ ክርስቶስ ኴንና ኣሎና። 15 ሎሚ ድምጹ እንተ ሰማዕኩም፡ ከምቲ ብነድሪ ልብኹም
ኣይተትርሩ፡ እናተባህለ፡ 16 ሰሚዖም ዘነደርዎኽ ኣየኖት እዮም፧ እቶም ሙሴ መሪሕዎም ካብ ግብጺ
ዝወጹ ኹላቶም ደይኮኑን፧ 17 ንመንከ እዩ ኣርብዓ ዓመት ዝኾረየሎም፧ ነቶም ሓጢኣት ዝገበሩ እሞ
ሬሳኦም ኣብ በረኻ ዝወደቐ ደይኮነን፧ 18 ንንመንከ እዩ ኣብ ዕረፍቱ ኸይኣትዉ ዝመሐለ፧ ነቶም
ዘይተኣዘዙ ደይኮነን፧ 19 ብሰሪ ዘይምእማን ኪኣትዉ ኸም ዘይከኣሉውን፡ ንርኢ ኣሎና።

## ምዕራፍ 4

1 እምብኣርሲ ናብ ዕረፍቱ ንምእታው ተስፋ ኻብ ዚተርፈልና፡ ምናልባሽ ሓደ ካባኻትኩም ድሕሪት
ተሪፉ ኸይህሉ፡ ንፍራህ። 2 ንኣናውን ከምቲ ንኣታቶም ብስራት ተኒጊሩልና ኣሎ እሞ፡ እቲ ዝሰምዕዎ

ቓል ምስቶም ሰማዕቱ ብእምነት ስለ ዘይሓበረ ግና፡ ኣይጠቐሞምን። 3 ግብሩ ኻብ ምስራት ዓለም
ተወዲኡ ኽነሱ፡ ከምቲ ብቑጥዓይ፡ ናብ ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም፡ ኢለ ዝመሓልክዎ፡ ከም ዝበለ፡
ንሕና እንእምንሲ ናብ ዕረፍቱ ንኣቱ ኢና። 4 ብዛዕባ እታ ሳብዐይቲ መዓልቲ፡ ኣብ ገለ ስፍራ ኸምኡ፡
ኣምላኽ ድማ ካብ ኵሉ እቲ ግብሩ በታ ሳብዐይቲ መዓልቲ ዓረፈ፡ ኢሉ ኣሎ። 5 ኣብኡ ኸኣ ደጊሙ፡ ኣብ
ዕረፍተይ ኣይኪኣትዉን እዮም፡ በለ። 6 እምብኣርሲ ገለ ሰባት ዚኣትውዋ ተሪፉ ስለ ዘላ፡ እቶም ቀድም
ብስራት እተነግረሎም ድማ ብሰሪ ዘይምእዛዞም ካብ ዘይኣተውዋ፡ 7 ቀደም ከኣ፡ ሎሚ ድምጹ እንተ
ሰማዕኩም፡ ልብኹም ኣይተትርሩ፡ ከም እተባህለ፡ ድሕሪ ነዊሕ ዘመን ብዳዊት ሎሚ ብምባል ኸም
ብሓድሽ ሓንቲ ፍልጥቲ መዓልቲ ይምድብ ኣሎ። 8 እያሱ ኣዕሪፍዎም እንተ ዚኸውንሲ፡ ድሕሪኡ ብዛዕባ
ኻልእ መዓልቲ ኣይምተዛረበን ነይሩ። 9-10 እምብኣርሲ እቲ ኣብ ዕረፍቱ ዝኣተወስ፡ ከምቲ ኣምላኽ ካብ
ግብሩ ዝዓረፈ፡ ንሱውን ካብ ግብሩ ዓሪፉ ኣሎ እሞ፡ ንህዝቢ ኣምላኽ ዕረፍቲ ሰንበት ተሪፋቶም ኣላ።
11 ስለዚ ሓደ እኳ ናይቲ ዘይምእዛዝ ኣርኣያ ወሲዱ ኸይወድቕ፡ ናብታ ዕረፍቲ እቲኣ ክንኣቱ ንጋደል። 12
ቃል ኣምላኽ ህያውን መስለጥን እዩ እሞ፡ ካብ ክልተ ዝኣፉ ሰይፊ ዚበልሕ እዩ፡ ነፍስን፡ መንፈስን፡
መፈላልዮን ኣካላትን ኣንጕዕን ክሳዕ ዚፈላሊ ዚሰጥም፡ ኣብ ምሕላንን ሓሳብ ልብን ከኣ ዚፈርድ እዩ። 13
እቲ ጸብጻብ እንህቦ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ ዅሉ ጋህ ዝበለን ቅሉዕን እዩ እምበር፡ ኣብ ቅድሚኡ
ዚሕባእ ፍጡር የልቦን። 14-15 ደጊም ብዘይ ሓጢኣትሲ፡ ብዅሉ ኸምዚ ኸማና እተፈተነ እዩ እምበር፡
ብድኻምና ኺድንግጸልና ዘይኽእል ሊቀ ኻህናት የብልናን እሞ፡ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብዪ ሊቀ ኻህናት፡
የሱስ ወዲ ኣምላኽ ካብ ዚህልወናስ፡ ምእማንና ነጽንዕ። 16 ስለዚ ምሕረት ምእንቲ ኽንቕበል፡ ብጊዜ
ጸበባውን ንረዲኤትና ዚኸውን ጸጋ ኽንረክብ፡ ብትብዓት ናብ ዝፋን ጸጋ ንቕረብ።

## ምዕራፍ 5

1 ካብ ማእከል ሰብ እተወልደ ሊቀ ኻህናት ዘበለስ፡ መባእን ሕሩድን ስለ ሓጢኣት ምእንቲ ኺስውእ፡
ብናይ ኣምላኽ ነገር ስለ ሰብ እዩ ዚሸየም፡ 2 ንርእሱ ኸኣ ድኻም ስለ ዝጠበቖ፡ ነቶም ደናቝርትን
እተጋገዩን ኪድንግጸሎም ዚኽእል እዩ፡ 3 ስለዚ ድማ ከምቲ ምእንቲ ህዝቢ፡ ከምኡውን ምእንቲ ርእሱ
ስለ ሓጢኣት ኪስውእ ተገብኦ። 4 ከም ኣሮን፡ ብኣምላኽ እተጸውዔ ደኣ እምበር፡ ነዚ ኽብሪ እዚ ሓደ
እኳ ባዕሉ ኣይወስዶን እዩ። 5 ከምኡውን እቲ፡ ንስኻ ወደይ ኢኻ፡ ኣነ ሎሚ ወለድኩኻ፡ ዝበሎ ኣኽብሮ
እምበር፡ ክርስቶስ ባዕሉ ሊቀ ኻህናት ምእንቲ ኪኸውን ኢሉ፡ ርእሱ ኣየኽበረን። 6 ኣብ ካልእ ስፍራ
ድማ፡ ንስኻ ኸም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘልኣለም ካህን ኢኻ፡ ከም ዚብል። 7 ንሱ ብዘመን ስጋኡ
ኸሎ፡ ብብርቱዕ ኣውያትን ንብዓትን ናብቲ ኻብ ሞት ኬድሕኖ ዚከኣሎ፡ ጸሎትን ምህልላን ምስ
ኣቕረበን፡ ብዛዕባ ንኣምላኽ ምፍራሁ ምስ ተሰምዔን፡ 8 ወዲ እኳ ኽነሱ፡ በቲ እተሰቀዮ ስቅያት ምእዛዝ
ተማህረ። 9-10 ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ብኣምላኽ ሊቀ ካህናት ተሰምዩ፡ ፍጹም ምስ ኰነ ኸኣ፡ ነቶም
ዚእዘዝዎ ዘበሉ ኵላቶም ንናይ ዘለኣለም ምድሓኖም ምኽንያት ኰኖም። 11 ብዛዕባኡ ብዙሕ ነገር
እንብሎ ነይሩናስ፡ ንምስማዕ ድንዙዛት ስለ ዝዀንኩም፡ ትርጉሙ ጭንቂ እዩ። 12 ከም ምንዋሕ ዘመንስ
መምህራን ክትኰኑ እኳ ምተገብኣኩም ነይሩ፡ ነቲ ናይ መጀመርታ ትምህርቲ ቈልዑ ናይ ቃል ኣምላኽ
ከም ብሓድሽ ኪምህሩኹም የድልየኩም ኣሎ እሞ ጸባ ደኣ እምበር፡ ዕጹም ብልዒ ኣየድልየኩምን እዩ።
13 ጸባ ዚቕለብ ዘበለ ዅሉ ቈልዓ እዩ እሞ፡ ብናይ ጽድቂ ነገር ፍቱን ኣይኰነን። 14 ዕጹም ብልዒ ግና
ነቶም ጽቡቕን ክፉእን ንምፍላይ ብምልማድ ንልቦናኦም ዜላምዱ ብጹሓት እዩ።

# ምዕራፍ 6

1-2 ስለዚ ናይ ክርስቶስ መጀመርታ ነገሩ ሐዲግና፡ ብንስሓ ኻብ ምዉት ግብሪ፡ ብእምነት ብኣምላኽ፡
ብትምህርቲ ጥምቀት፡ ብምንባር ኣእዳው፡ ብትንሳኤ ምዉታት፡ ብናይ ዘለኣለም ፍርዲውን ከም
ብሓድሽ መሰረት ኣይንሰርት እሞ ናብ ፍጻሜ ንሕለፍ። 3 ኣምላኽ እንተ ፈቐዶስ፡ ነዚ ድማ ክንገብሮ
ኢና። 4 ነቶም ሓደ ጊዜ ብርሃን ዝበርሃሎም እቲ ሰማያዊ ውህበት ከኣ ዝጠዓሙ፡ ተማቐልቲ መንፈስ
ቅዱስውን ዝኾኑ፡ 5 እቲ ሰናይ ቃል ኣምላኽን ሓይሊ እታ እትመጽእ ዓለምን ከኣ ዝጠዓሙ፡ 6 እንተ
ወደቑ፡ ንወዲ ኣምላኽ ከም ብሓድሽ ንርእሶም ስለ ዚሰቕልዎ ብግሁዶውን ዜላግጹሉ ስለ ዝኾኑ፡ ከም
ብሓድሽ ንንስሓ ኺሕደሱ ኣይከኣሎምን እዩ። 7 እታ ብዙሕ ጊዜ ነቲ ኣብኣ ዝወረደ ዝናብ ዝሰተየት
ምድሪ ነቶም ብዛዕባኦም ዚሐርስዋ ዚጠቅም ፍረ እንተ ሃበቶም፡ ካብ ኣምላኽ በረኸት ትረኽብ እያ። 8
እሾኽን ዳንዴርን እንተ ኣብቊለት ግና፡ ንቅፍትን ጥቓ መርገምን እያ፡ መወዳእታኣውን ምንዳድ እዩ። 9-
10 ኣቱም ፍቁራተይ፡ ኣምላኽ ነቲ ነቶም ቅዱሳን ዘገልገልኩምዎምን እተገልግልዎም ዘሎኹምን
ግብርኹም ንስሙውን ዝገበርኩምዎ ፍቕርኹም ዚርስዕ ገፋዒ ኣይኮነን እሞ፡ ብኣኻትኩምሲ፡ ከምዚ
እኳ እንተ ተዛረብና፡ ዚሐይሽን ንምድሓን ብዚኽውንን ንእመን ኣሎና። 11-12 ነቶም ብእምነትን
ብትዕግስትን ነታ ተስፋ ዚወርስዋ ምእንቲ ኽትመስልዎም እምበር፡ ድንዙዛት ከይትኾኑስ፡ ነፍሲ
ወከፍኩም ክሳዕ መወዳእታ ንምምላእ ተስፋኡን ንምጽንዓን እዚ ትግሃት እዚ ኼርኢ፡ ንደሊ ኣሎና። 13-
14 ኣምላኽ ንኣብርሃም ተስፋ ኺህቦ ኸሎ፡ ዚምሕለሉ ኻብኡ ዚዓቢ ስለ ዘይተረኽበ፡ ብሓቂ እናባረኽኩ
ኽባርኸካ፡ እናብዛሕኩ ኸብዝሓካን እየ፡ ኢሉ ብርእሱ መሐለ። 15 ከምኡ ኸኣ ብትዕግስቲ ተጸበየ ነታ
ተስፋ ረኸባ። 16 ሰባት በቲ ኻብኦም ዚዓቢ እዮም ዚምሕሉ እሞ፡ እቲ ማሕላ ኸኣ መጽንዒ ስለ ዝኾነ፡
ንኹሉ ምጕቶም ይውድኣሎም እዩ። 17 ስለዚ ኸኣ ኣምላኽ፡ እቲ ምኽሩ ኸም ዘይልወጥ ነቶም ወረስቲ
ተስፋ ኣዝዩ ኼርእዮም ምስ ደለየ፡ ብማሕላ ኣብ መንጎ ኣተወ፡ 18 በተን ኣምላኽ ኪሕሰወለን ዘይከኣል
ክልተ ዘይልወጣ ነገር ጌርና፡ ንሕና ነታ ኣብ ቅድሜና ዘላ ተስፋ ንምሓዝ ሃዲምና ዝወጻእና፡ ብርቱዕ
ምጽንናዕ ክንረክብ ኢና። 19-20 ንሳ ድማ ከም መልሀቕ ነፍሲ፡ ድልድልትን ጽንዕትን እያ እሞ፡ ናብቲ
የሱስ ከም መዓርግ መልከጼዴቅ ንዘለኣለም ሊቀ ኻህናት ኰይኑ ኸም መራሒ ምእንታና ዝኣተዎ
ውሽጢ እቲ መጋረጃ እተእትወና ተስፋ ኣላትና።

# ምዕራፍ 7

1 እዚ መልከጼዴቅሲ፡ ንጉስ ሳሌም፡ ካህን ልዑል ኣምላኽ፡ ንኣብርሃም፡ ነቶም ነገስታት ስዒሩ ኺምለስ
ከሎ፡ እተቐበሎ እሞ ዝባረኾ፡ 2 ኣብርሃም ድማ ካብ ኵሉ ዕሽር ዝመቐሎ፡ ቀዳማይ ትርጉም ስሙ፡ ንጉስ
ጽድቂ፡ ደሓር ከኣ፡ ንጉስ ሳሌም፡ ማለት ንጉስ ሰላም እዩ። 3 ብዘይ ኣቦ፡ ብዘይ ኣደ፡ ብዘይ ቍጽሪ
ወለዶ፡ መጀመርታ መዓልትታት ወይስ መወዳእታ ህይወት ዜብሉ፡ ግናኸ ንወዲ ኣምላኽ ተመሲሉ
ንሓዋሩ ካህን ኰይኑ ይነብር ኣሎ። 4 ኣብርሃም፡ እቲ ርእሲ ኣቦታት፡ ካብቲ ማል ዘመተ በብሉጹስ ዕሽር
ዝሃቦ፡ ንሱ ኽንደይ ዓብዪ ምዃኑ፡ እስኪ ርኣዩ። 5 ካብ ደቂ ሌዊ ድማ እቶም ክህነት ዚቕበሉ፡ ካብቲ
ህዝቢ፡ ማለት ካብ ሕቈ ኣብርሃም እኳ ዝወጹ ኣሕዋቶም ከነሶምሲ፡ ዕሽር ኪወስዱ ብሕጊ ትእዛዝ
ኣለዎም። 6 እዚ ግና ካብ ዘይወለዶኦም ክነሱስ፡ ካብ ኣብርሃም ዕሽር ወሰደ፡ ነቲ ተስፋ ረኺቡ ዘሎውን
መረቖ። 7 ብዘይ ገለ ውልውል ድማ እቲ ዚንእስ በቲ ዚዓብዮ ይምረቕ እዩ። 8 ኣብዝስ መወትቲ ሰብ ዕሽር
ይወስዱ፡ ኣብቲ ግና እቲ ህያው ምዃኑ እተመስከረሉ እዩ ዕሽር ዚወስድ። 9 እዚ ምባለይ ከኣ ከምዚ እዩ፡

ሌዊ፡ እቲ ተቐባል ዕሽር እኳ፡ ብኣብርሃም ገይሩ ዕሽር ሃበ፡ 10 ማለት፡ መልከጼዴቕ ንኣብርሃም ኪራኽቦ
ኸሎ፡ ሌዊ ገና ኣብ ሕቘ ኣቦኡ እዩ ዝነበረ። 11 እምብኣርስኸ ብቤተ ኽህነት ሌዋውያን ፍጻሜ እንተ
ዚኸውንሲ፡እቲ ህዝቢ ብእኡ ሕጊ ተሐጊጉሉ ነይሩ እዩ እሞ፡ከም መዓርግ ኣሮን ዘይብሃል ካልእ ካህን
ከም መዓርግ መልከጼዴቕ ዝኸውን ኺትንስእ ደኣ ንምንታይ መድለየ ነይሩ፧ 12 ማለት ክህነት ካብ
ዚልወጥ፡ ምልዋጥ ሕጊውን ብግዲ ኪኸውን እዩ። 13 እቲ ብዛዕባ እዚ እተባህለሉ ኻብ ካልእ ዓሌት እዩ፡
ካብቲ ዓሌት እቲ ሓደ እኳ ኣብ መሰወኢ ዘገልገለ የልቦን። 14 ጐይታናስ ካብ ይሁዳ፡ ሙሴ ብናይ ዓሌት
ካህናት ሓንቲ እኳ ዘይተዛረበሉ ዓሌት ከም ዝወጸ፡ ፍሉጥ እዩ። 15 ሕጂ ኸኣ ዝበለጸ ግሉጽ እዩ፡
ብተምሳል መልከጼዴቕ ካልእ ካህን ካብ ዚትንስእሲ፡ 16-17 ንስኻ ኽም መዓርግ መልከጼዴቕ ንዘለኣለም
ካህን ኢኻ፡ ኢሉ ተመስኪሩሉ እዩ እሞ፡ ብዘይሐልፍ ሓይሊ ህይወት እምበር፡ ከም ሕጊ ስጋዊ
ትእዛዝሲ ኻህን ኣይኰነን። 18 እቲ ዝሐለፈ ትእዛዝ ድኹምን ዘይጠቅምን ስለ ዝኾነ እዩ እተሳዕረ፡ 19
ሕጊ ንሓደ እኳ ኣብ ፍጻሜ ኣየብጽሖን፡ግናኸ ናብ ኣምላኽ እንቐርበላ፡ እትሓይሽ ተስፋ ኣተወት። 20-21
እዚ ግና በቲ፡ እግዚኣብሄር፡ ንስኻ ኽም መዓርግ መልከጼዴቕ ንዘለኣለም ካህን ኢኻ፡ ኢሉ መሐለ
ኣይጠዓስን ከኣ እዩ፡ እተባህለሉ ማሕላ እዩ። እዚኣ ድማ ብዘይ ማሕላ ኽም ዘይኰነት፡እቲኣቶምሲ
ብዘይ ማሕላ ኻህናት ኰኑ፡ 22 ከምኡ ድማ የሱስ መድሕን ዝሔሸ ኺዳን ኰነ። 23 እቲኣቶምሲ ኽይነብሩ
ብሞት ስለ እተኸልከሉ፡ ብዙሓት ካህናት ነበሩ። 24 እዚ ግና ንዘለኣለም ዚነብር ስለ ዝኾነስ፡ ዘይሐልፍ
ክህነት ኣለዎ። 25 ስለዚ ድማ ነቶም ብእኡ ኣቢሎም ናብ ኣምላኽ ዚመጹ፡ ኵሉ ጊዜ ምእንታኦም
ኪልምን ዚነብር ስለ ዝኾነ፡ ፈጺሙ ኼድሕኖም ይኽእል እዩ። 26 ከምዚ ዘመሰለ ኽፍኣትን ርኽሰትን
ዜብሉ፡ ካብ ሓጥኣን እተፈልየ፡ ካብ ሰማያት ከኣ ልዕል ዝበለ ቅዱስ ሊቀ ኻህናት ኣድለየና። 27 ንሱ
ከምቶም ካልኣት ሊቃውንቲ ኻህናት ቅድም ምእንቲ ሓጢኣት ርእሱ፡ ደሓር ድማ ምእንቲ ሓጢኣት
ህዝቢ ኣብ ጸጽባሕ መስዋእቲ ኬቕርብ ዘየድለዮ እዩ እሞ፡ ርእሱ ንመስዋእቲ ምስ ወፈየ፡ ሓንሳእ
ንሓዋሩ ገበሮ። 28 ሕግስ ድኻም ንዘለዎም ሰባት እዩ ሊቃውንቲ ኻህናት ኪኾኑ ዚሸሞም፡ እቲ ድሕሪ
ሕጊ ዝመጸ ቓል ማሕላ ግና ንዘለኣለም ፍጹም ዝኾነ ወዲ እዩ ዚሸይም።

# ምዕራፍ 8

1-2 ሕጂ ድማ ነዚ እንብሎ ዘሎና ኣውራ ነገሩ እዚ እዩ፡ ንሕናስ ኣብ ሰማያት ኣብ የማን ዝፋን ግርማ
እተቐመጠ፡ ናይቲ፡ ጐይታ ደኣ እምበር፡ ሰብ ዘይተኸሎ መቕደስን ድንኳን ሓቅን ኣገልጋሊ፡ ከምዚ
ዘመሰለ ሊቀ ኻህናት ኣሎና። 3 ሊቀ ኻህናት ዘበለ መባእን መስዋእትን ኬቕርብ ይሸየም እዩ እሞ፡ ስለዚ
ነዚውን ገለ ዜቕርቦ ኺህልዎ ብግዲ እዩ። 4 እምብኣርከ ኣብ ምድሪ እንተ ዚኸውንሲ፡ ከምቲ ሕጊ
ገይሮም መባእ ዜቕርቡ ስለ ዘለዉ፡ ንሱ ከቶ ኻህን ኣይምኾነን ነይሩ። 5 እቲኣቶም ናይታ ሰማያዊት
ምስልን ጽላሎትን ዜገልግሉ፡ ንሙሴ፡ እቲ ድንኳን ኪገብር ኪደሊ ኸሎ፡ ብራእይ ከም እተባህለሉስ፡
ኵሉ ኽምታ ኣብ ከረን ዝርኤኻያ ምስሊ ኽትገብር ኣስተብህል፡ በሎ። 6 ሕጂ ግና ንሱ ማእከላይ ኣብ
እትሓይሽ ተስፋ እተሰረተ፡ ዚበልጽ ኪዳንውን ከም ዝኾነ፡ ክሳዕ ክንድዚ ዝበለጸ ኣገልግሎት ረኸበ። 7
ነቲ ቐዳማይ ኪዳን መነቀፌ እንተ ዘይህልዎ፡ ነቲ ኻልኣይሲ ስፍራ ኣይምተደልዮን ነይሩ። 8 ስለዚ ኸኣ
እናነቐፎም ከምዚ ይብል፡ እንሆ፡ ምስ ቤት እስራኤልን ምስ ቤት ይሁዳን ሓድሽ ኪዳን ዝኣትወለን
መዓልትታት ኪመጻ እየን፡ ይብል እግዚኣብሄር፡ 9 ከምታ ብኢዶም ሒዘ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኽውጽኦም
ከሎኹ መዓልቲ ምስ ኣቦታቶም ዝኣቶኽዎ ኺዳን ኣይኰነን። ንሳቶም ብኺዳነይ ኣይጸንዑን እሞ፡

ኣነውን ሸለል በልክዎም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 10 ድሕሪ እተን መዓልትታት እቲኣተን ምስ ቤት
እስራኤል ዝኣትዎ ኺዳን እዚ እዩ፡ ንሕጋጋተይ ኣብ ሓሳቦም ከእትዎ ኣብ ልቦምውን ክጽሕፎ እየ፡ ኣነ
ኣምላኽ ክኾኖም እየ፡ ንሳቶምውን ህዝቢ ኪኾኑኒ እዮም፡ ይብል እግዚኣብሄር። 11-12 ዓመጻኦም
ክምሕር እየ እሞ፡ ንሓጢኣቶምውን ድሕርዚ ኣይክዝክሮን እየ፡ ካብ ንእሽቶኦም ክሳዕ ዓብዪኦም
ዚፈልጡኒ ስለ ዝኾኑ፡ ነፍሲ ወከፍ ንወዲ ዓዱን ነፍሲ ወከፍ ንሓውን፡ ንእዝጊ ፍለጦ፡ ኢሉ
ኣይኪምህሮን እዩ። 13 ሓድሽ ኪዳን ብምባሉ ነቲ ቀዳማይ ኣእረጎ። እቲ ዝኣረገን ዝበለየን ግና ንጥፍኣት
ቀረባ እዩ።

## ምዕራፍ 9

1 ደጊም ነቲ ቀዳማይ ኪዳን ድማ ነገልግሎት እግዚኣብሄርን ንምድራዊ መቕደስን ሕጋጋት ነይርዎ። 2
ድንኳን ተተኺሉ ነበረ እሞ፡ ኣብታ ቐድም እትርከብ፡ ቅድስቲ፡ እትብሃል ክፍሊ ቐንዴል ሰደቓን
እንጌራታት ምርኣይን ነበራ። 3 ብኽንየው እቲ ኻልኣይ መጋረጃ ግና ኣብቲ ድንኳን፡ ቅድስተ ቅዱሳን፡
እትብሃል ነበረት፡ 4 ኣብኣ ጽንሃን ወርቅን ብዅሉ ወገኑ ብወርቂ እተለበጠ ታቦት ኪዳንን ነበረ እሞ፡ ንሱ
ነተን ማና ዝሐዘት ፍዮ ወርቅን ዝጠጥዔት ዘንጊ ኣሮንን ጽላት ኪዳንን ዚሕዝ ነበረ፡ 5 ኣብ ልዕሊኡ ድማ
ነቲ መንበር ጸጋ ዜጽልሉ ናይ ክብሪ ኪሩቤል ነበሩ። ብዛዕባዚ ሕጂ በብናቱ ኽንዛረበሉ ዘይኰነልና እዩ።
6 እዚ ኸምዚ ኾይኑ ምስ ተዳለወ፡ እቶም ካህናት ኲሉ ሳዕ ኣብቲ ናይ ቅድሚት ድንኳን፡ ኣገልግሎቶም
ኬብጽሑ፡ ይኣትዉ እዮም። 7 ኣብቲ ኻልኣይ ግና እቲ ሊቀ ኻህናት በይኑ ሓንሳእ ኣብ ዓመት ይኣቱ፡
ግናኸ ብዘይ እቲ ምእንቲ ርእሱን ምእንቲ ስሕተት ህዝብን ዜቕርቦ ደም ኣይኣቱን እዩ። 8 እቲ ቐዳማይ
ድንኳን ገና ቈይሙ ኸሎ፡ እቲ ናብታ መቕደስ ዜእቱ መገዲ ገና ኸም ዘይተገልጸ፡ መንፈስ ቅዱስ በዚ
የርኢ ኣሎ። 9 ንሱ ነዚ ሎሚ ዘሎ ዘመን ምሳሌ እዩ፡ ከምኡ ገይሮም ነቲ ኣገልጋሊ መቕደስ ብሕሊናኡ
ፍጹም ኪገብሮ ዘይክእሎ መባእን መስዋእትን የቕርቡ ኣለዉ። 10 እዚ ምስ መባእን መስቴታትን
በብዓይነቱ ምሕጻብን፡ እቲ ዘመን ምቕናዕ ክሳዕ ዚበጽሕ፡ ስጋዊ ስርዓት ጥራይ እዩ። 11 ክርስቶስ ግና
ናይቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ሊቀ ካህናት ኰይኑ ምስ መጸ፡ በቲ ብሉጽን ፍጹምን ብኢድ ዘይተገብረ፡
ማለት ካብዚ ፍጥረት እዚ ዘይኰነ ድንኳን፡ 12 ብደም ድቤላታትን ምራኹትን ዘይኰነስ፡ ብደም ርእሱ
ናይ ዘለኣለም ምድሓን ረኺቡ ሓደ ጊዜ ናብቲ መቕደስ ኣተወ። 13 ስለዚ ደም ድቤላታትን ኣራውሕን
ሓመዅስቲ ኣርሕን ኣብቶም ዝረኸሱ ተነጺጉ ንምጽራይ ስጋ ዚቕድስ ካብ ኰነስ፡ 14 ደም ክርስቶስ ብናይ
ዘለኣለም መንፈስ ገይሩ ርእሱ ብዘይ ጽያፍ ንኣምላኽ ዘቕረበ ግዳ፡ ንስካትኩም ንህያው ኣምላኽ
ከተገልግሉ ኽንደይ ኣዝዩ ንሕሊናኹም ካብ ምዉት ግብሪ ዘየንጽሆ። 15 በዚ ምኽንያት እዚ እዩ ካብቲ
ኣብ ቀዳማይ ኪዳን እተገብረ ኣበሳ ንምድሓን ዚኸውን ሞት ምስ ኰነ፡ እቶም ጽዉዓት ነታ ተስፋ ናይ
ዘለኣለም ርስቲ ምእንቲ ኺረኽቡ ኢሉ፡ ንሱ ማእከላይ ሓድሽ ኪዳን ዝኾነ። 16 ለበዋ ኣብ ዘለዎስ ሞት
እቲ እተላበወ ኪኸውን ናይ ግዲ እዩ እሞ፡ 17 ለበዋስ ድሕሪ ሞት እዩ ዚጸንዕ እምበር፡ እቲ እተላበወ
ብህይወቱ ኸሎ ዘሎ፡ ገለ እኳ ዜስልጥ የብሉን። 18 ስለዚ እቲ ቐዳማይ ኪዳን እኳ ብዘይ ደም
ኣይተቐደሰን። 19-20 ማለት፡ ሙሴ ኸምቲ ኣብ ሕጊ ዘሎ ገይሩ እቲ ትእዛዛት ዘበለ ንዅሉ ህዝቢ ምስ
ነገሮ፡ ደም ምራኹትን ድቤላታትን ምስ ማይን ቀይሕ ጸጕርን ስምዕዛን ወሲዱ፡ ኣምላኽ ንኣኻትኩም
ዝኣዘዞ ደም ኪዳን እዚ እዩ፡ ኢሉ፡ ኣብቲ መጽሓፍን ኣብ ኲሉ እቲ ህዝብን ነጸገ። 21 ከምኡ ድማ ነቲ
ድንኳንን ንዅሉ እቲ ናይ ምግልጋል ኣቓሑን ደም ነጸገሉ። 22 ከምቲ ሕጊ ኣስታት ኲሉ ብደም እዩ

ዚጸሪ፡ ብዘይ ምፍሳስ ደምውን ይቕሬታ ኣይከውንን እዩ። [23] እምበኣርሲ ምስሊ እቲ ኣብ ሰማያት ዘሎ
ነገር በዚ ኺጸሪ፡ እቲ ሰማያዊ ንርእሱ ግና ካብዚ ብዝሔሸ መስዋእቲ ኺጸሪ ናይ ግዲ ነበረ። [24] ክርስቶስ
ሕጂ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኪረኣየልና ናብኡ ናብታ ሰማይ ኣተወ እምበር፡ ኣብቲ ምስሊ ሓቂ፡ ኣብታ
ብኢድ እተገብረት መቕደስ ኣይኰነን ዝኣተወ። [25] ከምቲ ሊቀ ኻህናት በብዓመት ብደም ካልእ ናብ
መቕደስ ዚኣቱ፡ ንሱ ብዙሕ ሳዕ ርእሱ ኺስውእ ኣይኣተወን። [26] ብዘይ እዝስ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ
ብዙሕ ሳዕ መከራ ኺጸግብ ምተገብኦ ነይሩ፡ ሕጂ ግና ብመስዋእቲ ርእሱ ንሓጢኣት ኪስዕር ኢሉ እዩ
ኣብ መወዳእታ ዘመናት ሓደ ግዜ እተገልጸ። [27] ከምቲ ንሰብ ሓንሳእ ሙማት ብድሕሩኡውን ፍርዲ
እተሰርዖ፡ [28] ከምኡ ኸኣ እቲ ንሓጢኣት ብዙሓት ኬርሕቕ ኢሉ ሓንሳእ እተሰውኤ ክርስቶስ ንምድሓን
እቶም ዚጽበይዎ ኻልኣይ ጊዜ ብዘይ ሓጢኣት ኪግለጽ እዩ።

## ምዕራፍ 10

[1] ሕጊ፡ ጽላሎት እቲ ዚመጽእ ሰናይ ነገር ከለዎ፡ መልክዕ እቲ ቑም ነገሩ ዘይኰነስ፡ በቲ በብዓመቱ ኵሉ
ሳዕ ዚስውእዎ መስዋእትታት ነቶም ዜቕርብዎ ከቶ ፍጹማት ኪገብሮም ኣይከኣሎን እዩ። [2-3] ግናኸ ኣብ
ዓዓመት እዩ ብእኡ መዘከርታ ሓጢኣት ዚኸውን፡ ከምዚ እንተ ዘይከውንሲ፡ እቶም መስዋእቲ ዜቕርቡ
ሓንሳእ ካብ ዚነጽሁ፡ ኣብ ሕሊናኦምውን ደጊም ሓጢኣት ካብ ዘይህልዎም፡ ካብ ምስዋእዶ
ኣይምዓረፉን ነይሮም፧ [4] ማለት፡ ደም ኣብዑርን ድቤላታትን ሓጢኣት ኬርሕቕ ኣይከኣሎን እዩ። [5] ስለዚ
ናብ ዓለም ኪኣቱ ኸሎ፡ ይብል፡ ስጋ ኣዳሎኻለይ እምበር፡ መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕን
ኣይደሌኻን፡ [6] ብዚሓርር መስዋእትን በቲ ስለ ሓጢኣት ዚስዋእን ባህ ኣይበለካን። [7] ሽዑ ኸኣ ኣነ፡ እንሆ፡
ኣብቲ መጽሓፍ ብዛዕባይ ጽሑፍ እዩ፡ ዎ ኣምላኽ፡ ፍቓድካ ኽገብር ኢለ እመጽእ ኣሎኹ፡ በልኩ። [8]
ኣብ ላዕሊ፡ ከምቲ ሕጊ ገይሮም ዜቕርብዎ መስዋእቲ ሕሩድን መስዋእቲ ብልዕን ዚሐርር መስዋእትን
ስለ ሓጢኣት ዚስዋእ ኣይደሌኻን ብእኡውን ባህ ኣይበለካን፡ ኢሉ፡ [9] ደሓር ከኣ፡ እንሆ፡ ፍቓድካ ኽገብር
ኢለ እመጽእ ኣሎኹ፡ በለ። ምእንቲ ነቲ ዳሕራይ ኬጽንዕ ኢሉ፡ ነቲ ቐዳማይ ሰዓሮ። [10] በዚ ፍቓድ እዚ
በቲ ሓንሳእ ንሓዋሩ ዚኣክል እተሰውኤ መስዋእቲ ስጋ የሱስ ክርስቶስ ተቐዲስና ኣሎና። [11] ካህን ዘበለ
ዅሉ ኣብ ጸጽባሕ እናገልገለ ይቐውም እዩ እሞ ነቲ ሓጢኣት ኬርሕቕ ከቶ ዘይከኣሎ መስዋእቲ ብዙሕ
ሳዕ የቕርቦ ኣሎ። [12-14] ክርስቶስ ግና ነቶም ዚቕደሱ ብሓንቲ መስዋእቲ ንሓዋሩ ፈጸሞም እሞ፡ ንሱ
ንሓዋሩ እትኸውን ሓንቲ መስዋእቲ ስለ ሓጢኣት ምስ ኣቕረበ፡ እቶም ጸላእቱ መርገጽ እግሩ ኽሳዕ
ዚኾኑ እናተጸበየ፡ ኣብ የማን ኣምላኽ ተቐመጠ። [15] መንፈስ ቅዱስ ድማ ይምስክረልና ኣሎ፡ [16] ድሕሪ
እተን መዓልትታት እቲኣተን ምሳታቶም ዝኣተዎ ኺዳን እዚ እዩ፡ ይብል እግዝኣብሄር፡ ንሕጋጋተይ ኣብ
ልቦም ክህቦም፡ ኣብ ሓሳቦምውን ክጽሕፎ እየ፡ ምስ በለ፡ [17] ደጊም ሓጢኣቶምን ዓመጻኦምን ከቶ
ኣይክዝክርን እዩ፡ ይብል። [18] እምስኣርሲ ኣብቲ ናይ እዚ ይቕሬታ እዚ ዘለዎስ፡ ደጊም መስዋእቲ ስለ
ሓጢኣት ኣየድልን እዩ። [19-20] ስለዚ፡ ኣሕዋተየ፡ በቲ መጋረጃ፡ ማለት ብስጋኡ ዝቐደሰልና ሓድሽን
ህያውን መገዲ ብደም የሱስ ናብ መቕደስ ንምእታው ትብዓት ካብ ዚህልወና፡ [21] ኣብ ቤት ኣምላኽውን
ዓብዪ ኻህን ካብ ዝህልወናስ፡ [22] ልብና ኻብ ክፉእ ሕሊና ተነጺጉ፡ ስጋናውን ብጹሩይ ማይ ተሐጺቡ፡
ምሉእ ብተረዳእናዮ እምነት ብቕኑዕ ልቢ ንቕረብ። [23] እቲ ተስፋ ዝሃበና እሙን እዩ እሞ፡ ነታ እሙንቶ
ተስፉና ብዘይ ምንቕናቕ ነጽንዓያ። [24] ንፍቕርን ንሰናይ ግብርን ንምንቕቓሕ ኣብ ንሓድሕድና ነስተብህል።
[25] እዚ ኸኣ እታ መዓልቲ እቲኣ ትቐርብ ከም ዘላ፡ ኣጸቢቕኩም ትርእዩ ኣሎኹም እሞ፡ ንሓድሕድና

ንመዓዓድ እምበር፡ ገሊኣቶም ልማድ ከም ዚገብርዎ፡ ኣኼባና ኣይንሕደግ። 26-27 ስለዚ ኸኣ ፍልጠት ሓቂ
ምስ ረኸብና፡ ፈቲና ሓጢኣት እንተ ገበርና፡ ዜስክሕ ምጽባይ ፍርድን ነቶም ተጻረርቲ እትበልዕ ቅንኢ
ሓውን ኪኸውን እዩ እምበር፡ ደጊምሲ ስለ ሓጢኣት ዚስዋእ መስዋእቲ የልቦን። 28 እቲ ንሕጊ ሙሴ
ዘፍረሰ ብቓል ክልተ ወይስ ሰለስተ ምስክር እዩ ብዘይ ድንጋጽ ዚመውት። 29 ንወዲ ኣምላኽ ዝረገጸ፡ ነቲ
እተቐደሰሉ ደም ኪዳን ከኣ ዘርከሰ፡ ንመንፈስ ጸጋውን ዝጸረፈ ግዳ ኽንደይ ዝገደደ ቕጽዓት ዘይግብኦ
ይመስለኩም 30 ንሕናስ ነቲ፡ ምፍዳይ ሕነ ናተይ እዩ፡ ኣነ ሕነ ኽፈዲ እየ፡ ዝበለ፡ ደጊሙ ኸኣ፡
እግዚኣብሄር ንህዝቡ ኺፈርዶ እዩ፡ ዝበለ፡ ንፈልጦ ኢና። 31 ኣብ ኢድ ህያው ኣምላኽ ምውዳቕ ዜስክሕ
እዩ። 32 ነተን ብዙሕ ገድልን ስቓይን ተዓጊስኩም፡ ብርሃን እተቐበልኩምለን ቀዳሞት መዓልትታት
ዘክርወን፡ 33 ብሓደ ወገን ብጸርፍን ብጸበባን መላገጺ ኼንኩም፡ ብሓደ ወገን ድማ ምስቶም ከምዚ
ዘመሰለ ዝበጽሖም ሰባት ተማቐልቲ ኼንኩም፡ 34 ዚሐይሽን ዚነብርን ገንዘብ ኣብ ሰማይ ከም ዘሎኩም
ፈሊጥኩም፡ ምስቶም እሱራት እንተ ኾነ፡ መከራ ጸገብኩም፡ ምግባት ገንዘብኩም ድማ እንተ ኾነ፡
ብሓጐስ ተዓገስኩም። 35 እምብኣርሲ ነቲ ብዙሕ ዓስቢ ዘለዎ ትብዓትኩም ኣይትደርብይዎ። 36 ፍቓድ
ኣምላኽ እናገበርኩም፡ ነታ ተስፋ ምእንቲ ኽትረኽብዋስ፡ ትዕግስቲ የድልየኩም እዩ። 37 ማለት፡ ገና
ኣዝዩ ቕሩብ ዘመን እዩ፡ እቲ ዚመጽእ ኪመጽእ እዩ ኣይኪድንጕን ከኣ እዩ። 38 ጻድቕ ግና ብእምነት እዩ
ዚነብር፡ ንድሕሪት እንተ ተመልሰ ድማ፡ ነፍሰይ ብእኡ ባህ ኣይብላን እዩ። 39 ንሕና ግና ምስቶም
ምድሓን ነፍሶም ኪረኽቡ ዚኣምኑ እምበር፡ ምስቶም ናብ ጥፍኣት ንድሕሪት ዚምለሱ ኣይኰንናን።

# ምዕራፍ 11

1 እምነት ግና ነቲ ተስፋ ዚግበሮ ነገር ርግጽ ምግባር፡ ናይቲ ዘይርአ ነገር ምርዳእ እያ። 2 ብእኣ እዩ ነቶም
ዓበይቲ እተመስከረሎም። 3 ዓለም ብቓል ኣምላኽ ከም እተፈጥረት፡ ከምኡውን እቲ ዚረአ ኻብ ዘይርአ
ኸም ዝኾነ፡ ብእምነት ነስተውዕሎ ኢሎና። 4 ኣቤል ካብ መስዋእቲ ቃየል ዚበልጽ መስዋእቲ ንኣምላኽ
ብእምነት ኣቕረበ። ኣምላኽ ብናይ መባኡ ኺምስክረሉ ኸሎ፡ ጻድቕ ምዃኑ ብእኣ ተመስከረሉ፡
ብምዉቱ ኸኣ ገና ብእኣ ገይሩ ይዛረብ ኣሎ። 5 ሄኖክ፡ ሞት ምእንቲ ኸይርኢ፡ ብእምነት ገዓዘ፡ ቅድሚ
ምግዓዙ ንኣምላኽ ከም ዘስመረ፡ ተመስኪሩሉ ነበረ እሞ፡ ኣምላኽ ስለ ዘግዓዞ፡ ኣይተረኽበን። 6 ብዘይ
እምነት ግና ንኣምላኽ ኬስምርዎ ኣይከኣልን እዩ። እቲ ናብ ኣምላኽ ኪመጽእ ዚደሊ፡ ንሱ ኸም ዘሎን
ነቶም ዚደልይዎ ዓስቢ ኸም ዚህቦምን፡ ኪኣምን ይግብኦ እዩ። 7 ኖህ ብዛዕባ እቲ ገና ዘይተራእየ ነገር
ራእይ ምስ ረኣየ፡ ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኹ ብእምነት እዩ ንምድሓን ቤቱ እትኸውን መርከብ
ዘዳለወ። ብእኣ ገይሩ ንዓለም ኰነና፡ ነቲ ብእምነት ዝርከብ ጽድቂ ኸኣ ወራሲ ኾነ። 8 ኣብርሃም ናብቲ
ንርስቲ ኪቕበሎ እተኣመመሉ ስፍራ ኺወጽእ ምስ ተጸውዔ፡ ብእምነት ተኣዘዘ፡ ናበይ ከም ዚኸይድ
ከይፈለጠውን ወጸ። 9-10 ነታ ኣምላኽ ዝሃናጺኣን ዝሰራሒኣን፡ መሰረት ዘለዋ ኸተማ ይጽበ ስለ ዝነበረ፡
ብእምነት ኣብታ ምድሪ ተስፋ ኸም ኣብ ምድሪ ጓና ኾይኑ ተቐመጠ እሞ ምስቶም ነዛ ተስፋ እዚኣ
መዋርስቱ ይስሃቅን ያእቆብን ኣብ ድንኳን ይነብር ነበረ። 11 ሳራ እኳ ጊዜኣ ምስ ሐለፈ፡ ነቲ ተስፋ ዝሃባ
እሙን ገይራ ስለ ዝረኣየቶ፡ ዘርኢ ንምትካል ብእምነት ሓይሊ ረኸበት። 12 ስለዚ ድማ ካብ ሓደ፡
ንሱውን ከም ምዉት ክነሱስ፡ ከም ከዋኽብቲ ሰማይን ከምቲ ዘይቝጸር ኣብ ገምገም ባሕሪ ዘሎ ሑጻን
ዝምብዛሖም ተወልዱ። 13 እዚኦም ኵላቶም ነተን ተስፋታት ኣይረኸብወንን፡ ግናኸ ካብ ርሑቕ ርእዮም
ተሳለምወን እሞ ኣብዛ ምድሪ እዚኣ ኣጋይሽን ስደተኛታትን ምዃኖም እናተአመኑ፡ ብእምነት ሞቱ። 14

እቶም ከምዚ ዚብሉ ኸኣ ሃገሮም ከም ዚደልዩ፡ የርእዩ ኣለዉ። [15] ነታ ዝወጹላ ሃገር ሓሲቦም እንተ ዝኾኑስ፡ ኪምለሱ ጊዜ ነይርዎም። [16] ሕጂ ግና እትሐይሽ፡ ማለት ሰማያዊት፡ ይናፍቑ ኣለዉ፡ ስለዚ ድማ ኣምላኽ፡ ከተማ ኣዳሊውሎም ኣሎ እሞ፡ ኣምላኾም ኪብሃል ብኣታቶም ኣይሐፍርን እዩ። [17-18] ኣብርሃም ምስ ተፈተነ፡ ብእምነት ንይስሃቅ ሰውኡ። እቲ ተስፋ እተቐበለ ነቲ፡ ብይስሃቅ ዘርኢ ኪጽወዓልካ እዩ፡ ተብሂሉሉ ዝነበረ ሓደ ወዱ ወፈዮ። [19] ኣምላኽ ካብ ምዉታት ድማ ኬተንስኦ ኸም ዚከኣሎ ሓሲቡ፡ ካብኡውን ብምሳሌ መሊሱ ረኸቦ። [20] ይስሃቅ ብናይቲ ዚመጽእ ነገር ንያእቆብን ንኤሳውን ብእምነት ባረኾም። [21] ያእቆብ ኪመውት ከሎ፡ ንደቂ ዮሴፍ ንነፍሲ ወከፎም ብእምነት መረቖም፡ ኣብ ኣንፈ በትሩ ተመርኲሱ ኸኣ ሰገደ። [22] ዮሴፍ ኣብ ኣጋ ሞቱ ብዛዕባ ምውጻእ ደቂ እስራኤል ብእምነት ኣዘከረ፡ ብዛዕባ ኣዕጽምቱውን ትእዛዝ ሃበ። [23] ሙሴ ምስ ተወልደ፡ ወለዱ ጽቡቕ ሕጻን ምዃኑ ርእዮም፡ ብእምነት ሰለስተ ወርሒ ሐብእዎ፡ ኣዋጅ እቲ ንጉስውን ኣይፈርሁን። [24] ሙሴ ምስ ዓበየ፡ ወዲ ጓል ፈርኦን ከይብሃል፡ ብእምነት ኣበየ እሞ፡ [25] ካብ ንጊዜኡ ብሓጢኣት ባህ ዚብሎስ ምስ ህዝቢ ኣምላኽ ደኣ መከራ ኪጸግብ ሐረየ፡ [26] ናብቲ ዓስቢ ጠመተ እሞ፡ ካብ መዝገብ ግብጽስ ነቲ ጸርፊ ክርስቶስ ኣዝዩ ብዙሕ ሃብቲ ገይሩ ቈጸሮ። [27] ነቲ ዘይርኤስ ከም ዚርእዮ ኰይኑ ተዓጊሡ ጸንዔ እሞ፡ ነቲ ኹራ ንጉስ ከይፈርሄ፡ ብእምነት ንግብጺ ሐደጋ። [28] እቲ በዅሪ ዜጥፍእ ዝነበረ ምእንቲ ኸይቀርቦም፡ ብእምነት ፋስጋን ምንጻግ ደምን ገበረ። [29] ብእምነት ከም ብንቑጽ ምድሪ ገይሮም ንባሕሪ ኤርትራ ተሳገርዎ፡ ግብጻውያን ግና ከምኡ ኺገብሩ ምስ ፈተኑ፡ ተዋሕጡ። [30] ቀጽሪ ያሪኮ ሾብዓተ መዓልቲ ምስ ዞርዎ፡ ብእምነት ወደቐ። [31] ረሃብ፡ እታ ኣመንዝራ፡ ነቶም ሰለይቲ ብሰላም ስለ እተቐበለቶም፡ ብእምነት ምስቶም ዘይእዙዛት ኣይጠፍኤትን። [32] እሞኸ ብዛዕባ እኒ ጊዴዎን፡ እኒ ባራቕ፡ እኒ ሳምሶን፡ እኒ ይፍታሄ፡ እኒ ዳዊትን ሳሙኤልን ነብያትን እንታይ ክብል እየ፣ ብዛዕባኦም ከየዘንተወልኩም ጊዜ ይሐጽረኒ እዩ። [33] ንሳቶም ብእምነት ንመንግስትታት ሰዓሩ፡ ጽድቂ ገበሩ፡ ነቲ ተስፋ እተገብሮ ረኸቡ፡ ኣፍ ኣናብስ ዓጸዉ፡ [34] ንሓይሊ ሓዊ ኣጥፍኡ፡ ካብ ስሕለት ኣስያፍ ደሐኑ፡ ካብ ድኻም በርትዑ፡ ኣብ ውግእ ሐየሉ፡ ንሰራዊት ኣህዛብ ኣህደምዎም። [35] ኣንስቲ ንምዉታተን ብትንሳኤ ተቐቢለናኦም። ካልኦትውን ተሰቀዩ እሞ፡ ዚሐይሽ ትንሳኤ ምእንቲ ኺረኽቡ ኢሎም ምሕረት ኣይደለዩን። [36] ገሊኣቶም ድማ ብልግጫን ብመግረፍትን፡ ኣብ ልዕሊ እዚውን ብመቕሕን ማእሰርትን ተፈተኑ። [37] ብዳርባ እምኒ ተቐትሉ፡ ተመገዙ፡ ተፈተኑ፡ ተሰይፎም ሞቱ፡ ኣጕዛ ኣባጊዕን ዲኖ ኣጣልን ተኸዲኖም ዞሩ፡ ሰኣኑ፡ ጸበቦም፡ ሓሳረ መከራ ጸገቡ፡ [38] ዓለም ንኣታቶም ዘይትበቅዕ ኰይናስ፡ኣብ በረኻታትን ኣብ ኣኽራንን ኣብ በዓትታትን ኣብ ጐዳጕድ ምድርን ኰለል በሉ። [39-40] ብጀካና ናብ ፍጻሜ ምእንቲ ኸይበጽሑስ፡ ኣምላኽ ብዛዕባና ዚሐይሽ ስለ ዝሐለየ፡ እዚኦም ኵላቶም፡ ብእምነት ተመስኪሩሎም ዘሎ፡ ነታ ተስፋ ኣይረኸብዋን።

## ምዕራፍ 12

[1] ምእንትዚ ንሕና ድማ ብኸንድዚ ዚኣክል ደበና ምስክር ተኸቢብና ኸሎና፡ ንዅሉ ዚኸብደናን ነቲ ዚጠብቀናን ሓጢኣትን ነርሕቖ፡ በቲ ኣብ ቅድሜና ተሐንጺጹልና ዘሎ መቀዳደሚ ኸኣ ብትዕግስቲ ንጐየ። [2] ናብቲ፡ ሕፍረት ንዒቑ፡ ስለቲ ኣብ ቅድሚኡ ዘሎ ሓጐስ ኢሉ መስቀል እተዓገሰ ኣብ የማን ኣምላኽ እተቐመጠን ጀማር እምነትናን ደምዳሚኣን የሱስ ንጠምት። [3] ምእንቲ ኸይትደኽሙን ነፍሳትኩም ከይሕለላን፡ ነቲ ኻብ ሓጥኣን ኣብ ርእሱ ኸንድዚ ዚኣክል ምጽራር እተዓገሰ ዘክርዎ። [4] ምስ

ሓጢኣት ብምቕላስኩም ገና ኽሳዕ ኣብ ደም እትበጽሑ ኣይተቓወምኩምን። 5-6 እቲ ኸም ንውሉድ
ገይሩ፡ ወደየ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ዜፍቅሮ ይቐጽዖ እዩ እሞ፡ ነቲ ዚቕበሎ ዘበለ ውሉድውን ይገርፎ፡ ስለዚ
ቕጽዓት ጐይታ ኣይትንዓቕ፡ እንተ ገንሓካውን ሕሊናኻ ኣይተዕርብ፡ ኢሉ ዚዛረበኩም ዘሎ ምዕዶ ኸኣ
ረሲዕኩምዎ ኣሎኹም። 7 ቕጽዓት እንተ ተዓገስኩም፡ ኣምላኽ ከም ውሉድ ገይሩ ይርእየኩም እዩ። ኣቦኡ
ዘይቀጽዖ ኸ እንታዋይ ውሉድ እዩ፧ 8 ብዘይ እታ ዅሎም ዝሐበሩላ ቕጽዓት እንተ ዀንኩም ግና፡ ደቓሉ
እምበር፡ ውሉድ ኣይኰንኩምን። 9 ኣብ ርእሲ እዚውን ዚቐጽዑና ኣቦታት ስጋና ኻብ ዚነብሩና እሞ ካብ
እንሓፍሮም፡ ብህይወት ምእንቲ ኽንነብርሲ፡ ነቲ ኣቦ መናፍስቲ ኣዚና ኽንእዘዞ ኣይግብኣናን እዩ፧ 10
እቲኣቶምሲ ንቐሩብ መዓልቲ ኸም እተራእዮም ገይሮም ቀጽዑና፡ ንሱ ግና፡ ካብ ቅድስናኡ ምእንቲ
ኽንማቐል ኢሉ፡ ንጥቕምና እዩ ዚቐጽዓና። 11 ቕጽዓት ዘበለስ ንጊዜኡ ንጓሂ እምበር፡ ንሓጐስ ከም
ዚኾውን ኣይመስልን እዩ፡ ንዳሕራዩ ግና ነቶም ዝለመድዎ ናይ ሰላም ፍረ ጽድቂ እዩ ዚፈሪ። 12
ምእንትዚ ነተን ዘርጋሕጋሕ ዚብላ ኣእዳውን ወለል ዝበለን ኣብራኽን ኣቕንዕወን፡ 13 እቲ ዚሕንክስ
ኪሓዊ እምበር፡ ካብ መገዲ ምእንቲ ኺይወጽእሲ፡ ነእጋርኩም ትኽ ዝበለ መገዲ ግበሩ። 14 ብዘይ
ቅድስና ሓደ እኳ ንእግዚኣብሄር ኣይኪርእዮን እዩ እሞ፡ ንቕድስናን ንሰላም ምስ ኵሉ ሰብን ስዓብወን።
15 ሓደ እኳ ኻብ ጸጋ ኣምላኽ ከይጐድል፡ ንብዙሓት ዜርክስ ገለ መሪር ሱር በቝሉ ኸየጨንቐኩም፡
ተጠንቀቑ። 16 ከምቲ ንሓደ ብልዒ ብዅርናኡ ዝሸጠ ኤሳው፡ ሓደ እኳ ኣመንዝራ ወይስ ርኹስ
ከይከውን፡ ተጠንቀቑ። 17 ንሱውን ጸኒሑ እኳ በረኸት ኪወርስ እንተ ደለየ፡ ብንብዓት እናደለያ ኸነሱስ፡
ንንስሓ ስፍራ ኣይረኸበን እሞ፡ ከም እተደርበየ፡ ትፈልጡ ኢኹም። 18 ንስኻትኩምሲ ናብቲ ብኢድ
ዚትንከን ብሓዊ ዚነድድን ከረን፡ ናብ ጣቓን ጸልማትን ህርህርን፡ 19 ናብ ቃና መለኸትን ናብቲ እቶም
ነቲ ቓል ዚሰምዑ ወሲኹ ኺይዛረቦም ዝለመኑሉ ድምጺ ቓልን ኣይበጻሕኩምን። 20 ንሳቶም፡ እንስሳ እኳ
ነቲ ኸረን እንተ ተንከየ፡ ብዳርባ እምኒ ይሙት፡ ዚብል ትእዛዝ ኪጸርዎ ኣይተኻእሎምን። 21 ሙሴ እኳ፡
እፈርህን እምብድብድን ኣሎኹ፡ ክሳዕ ዚብል፡ እቲ ትርኢቱ ክሳዕ ክንድዚ ዜፍርህ ነበረ። 22 ንስኻትኩም
ግና ናብ ከረን ጽዮንን ናብታ ኸተማ ህያው ኣምላኽ ሰማያዊት የሩሳሌም ናብቶም ኣእላፋት መላእኽትን
ኢኹም ዝበጻሕኩም፡ 23 ናብ ጉባኤ ዅሉ፡ ናብ ማሕበር እቶም ኣብ ሰማያት ተጻሒፎም ዘለዉ በዅራት፡
ናብ ኣምላኽ ፈራድ ኵሉ፡ ናብ መናፍስቲ እቶም ፍጹማን ጻድቃንን፡ 24 ናብ የሱስ ማእከላይ ሓድሽ
ኪዳንን ናብቲ ኻብ ደም ኣቤል ዝሔሸ ዚዛረብ ምንጻግ ደምን በጺሕኩም ኣሎኹም። 25 እቲኣቶም፡ ኣብ
ምድሪ ከዛረቦም ከሎ፡ ኣብዮም ካብ ዘየምልጡስ፡ ንሕና ነቲ ኻብ ሰማይ ዚዛረበና ዝባንና ኻብ
እንመልሰሉ ግዳ፡ ከመይ ኢልና ኽነምልጥ፧ ስለዚ ነቲ ዚዛረበኩም ዘሎ ኸይትኣብይዎ ተጠንቀቑ። 26
ሽዑ ድምጹ ንምድሪ ኣንቀጥቀጣ፡ ሕጂ ግና፡ ሓደ ጊዜ ደጊመ ንሰማይ ከም ዜንቀጥቅጥ ከገብሮ እየ
እምበር፡ ንምድሪ ጥራይ ኣይኰንኩን፡ ኢሊ ተስፋ ይህብ። 27 እዛ፡ ሓደ ጊዜ ደጊመ፡ ምባል ከኣ፡ እቲ
ዘየንቀጥቅጥ ምእንቲ ኺጸንዕሲ፡ እቲ ዜንቀጥቅጥ ፍጡር ስለ ዝኾነ ምልዋጡ እያ እተመልክት ዘላ። 28-
29 ኣምላኽና ዚባላዕ ሓዊ እዩ፡ ስለዚ ንሕና ዘይተንቀጥቅጥ መንግስቲ እንቕበል ካብ ኰንናስ፡ ንኣምላኽ
ብዜሐጕሶ ቅዱስ ምኽባርን ብፍርሃትን እናኣገልገልና ነመስግን።

## ምዕራፍ 13

1 ፍቕሪ ሕውነት ትጽናዕ። 2 ገሊኣቶም ከይፈለጡ ብእኡ ንመላእኽቲ ኸም ኣጋይሽ ተቐቢሎም ኣለዉ
እሞ፡ ምቕባል ኣጋይሽ ኣይትረስዑ። 3 ንእሱራት ከም መተኣሰርቶም ኴንኩም፡ መከራ ይጸግቡ ንዘለዉ

ኸኣ ንስኻትኩምውን ኣብቲ ስጋ ኸም ዘሎኹም ኴንኩም ዘክርዎም። 4 ነመንዝራታትን ንዘመውትንሲ ኣምላኽ ኪፈርዶም እዩ እሞ፡ መውስቦ ኣብ ኵሉ ኽቡር፡ እቲ መደቀስ ኣሚን ከኣ ዘይረኽስ ይኹን። 5 ንሱ ባዕሉ፡ ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይብለካን እዩ፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን፡ በቲ ዘሎኹም ዕገቡ። 6 ስለዚ ተቢዕና፡ እግዚኣብሄር ረዳእየይ እዩ እሞ፡ ኣይክፈርህን እየ፡ ሰብከ እንታይ ከይገብረኒ፧ ንበል። 7 ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝነገሩኹም መራሕቲኹም ዘክርዎም፡ መወዳእታ ንብረቶም እናተቛመትኩም፡ ኣሰኣሰር እምነቶም ስዓቡ። 8 የሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለኣለም ንሱ እዩ። 9 ልብኹም፡ በቲ ነቶም ዝኸዱሉ ዘይጠቐሞም ብልዒ ዘይኰነስ፡ ብጸጋ እንተ ጸንዔ፡ ጽቡቕ እዩ እሞ፡ ብብዙሕ ዝዓይነቱን ብጋሻን ትምህርቲ ኣይትስሐቱ። 10-11 እቲ ብሊቀ ኻህናት ስለ ሓጢኣት ኣብ መቕደስ ዚኣቱ ዝነበረ ደም እንስሳታት፡ እቲ ስጋታተን ኣብ ወጻኢ ሰፈር ይሐርር ነበረ እሞ፡ ንሕናስ እቶም ነቲ ድንኳን ዜገልግሉ ካብኡ ኺበልዑ መሰል ዜብሎም መሰውኢ ኣሎና። 12 ስለዚ የሱስ ከኣ፡ ብደም ንህዝቢ ምእንቲ ኪቕድስ ኢሉ፡ ኣብ ወጻኢ ኣፍ ከተማ መከራ ጸገበ። 13-14 ነታ እትመጽእ ንደሊ ኣሎና እምበር፡ ኣብዚ እትነብር ከተማ የብልናን እሞ፡ ሕጂ ጸርፉ ተሰኪምና ናብ ወጻኢ ሰፈር ናብኡ ንውጻእ። 15 እምብኣርስ ብእኡ ንኣምላኽ ኵሉ ሳዕ መስዋእቲ ምስጋና፡ ማለት ንስሙ ዚእመና ፍረ ኸናፍር፡ ነቕርብ። 16 ኣምላኽ ነዚ ኸምዚ ዘመሰለ መስዋእቲ ይሰምሮ እዩ እሞ፡ ሰናይ ምግባርን ምምቓልን ኣይትረስዑ። 17 ንመራሕትኹም ተኣዘዝዎምን ተገዝእዎምን። ንሳቶም ከምቶም ጸብጻብ ዚህቡ ኾይኖም፡ ምእንቲ ነፍሳትኩም ነቒሖም ይሕልዉ አለዉ እሞ፡ ነዚ ብታሕጓስ ኪገብርዎ እምበር፡ ብጓሂ እንተ ገበርዎ፡ እዚ ንኣካትኩም ኣይጠቅምን እዩ። 18 ብዅሉ ደግነት ክንነብር እናደሌና፡ ሰናይ ሕሊና ኸም ዘሎና፡ ተረዲእናዮ ኣሎና እሞ፡ ጸልዩልና። 19 ኣነ ቐልጢፈ ኸም ብሓድሽ ምእንቲ ኽውሃበኩም፡ እዚ ኽትገብሩ ኣብዚሔ እምዕደኩም ኣሎኹ። 20 ኣምላኽ ሰላም ግና ነቲ ብናይ ዘለኣለም ደም ኪዳን ዓብዪ ጓሳ ኣባጊዕ፡ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ምዉታት ዘተንስኦ፡ 21 ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚኡ ባህ ዜብሉ ኣባኻትኩም እናገበረ ብሰናይ ግብሪ ዘበለ ዅሉ ፍቓድ ኽትገብሩ የብቅዕኩም። ካብ ዘለኣለም ንዘለኣለም ንእኡ ኽብሪ ይኹኖ። ኣሜን። 22 ኣቱም ኣሕዋተይ፡ እዚ ቓል ምኽሪ እዚ ኣሕጺረ ጽሒፈልኩም እየ እሞ፡ ክትቅበልዎ እልምነኩም ኣሎኹ። 23 ጢሞቴዎስ ሓዉና ኸም እተፈትሐ፡ ፍለጡ፡ ንሱ ቐልጢፉ እንተ መጸ፡ ምስኡ ኽርእየኩም እየ። 24 ንዅላቶም መራሕትኹምን ንዅላቶም ቅዱሳንን ሰላም በልዎም። እቶም ካብ ኢጣልያ ዝኾኑ ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ። 25 ጸጋ ምስ ኵላትኩም ይኹን። ኣሜን።

# መልእኽቲ ያዕቆብ

## ምዕራፍ 1

1 ያእቆብ ናይ ኣምላኽን ናይ ጐይታና የሱስ ክርስቶስን ባርያ ነቶም ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ዓሰርተው ክልተ
ነገድ ሰላም ይብሎም ኣሎ። 2 ኣሕዋተየ፡ በበይኑ ዝኾነ ፈተና እንተ በጽሓኩም፡ ንኹሉ ኸም ሓጐስ
ቍጸርዎ። 3 እቲ ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ ኸም ዚገብር ፈሊጥኩምሲ፡ 4 ብሓንቲ እኳ
ኸይጐደልኩም ፍጹማትን ምሉኣትን ምእንቲ ኽትኰኑ፡ እታ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዋ። 5 ሓደ
ኻባኻትኩም ጥበብ እንተ ጐደሎ ግና፡ ነቲ ኸየስተሓፈረ ንኹሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ፡
ኪውሃቦውን እዩ። 6 እቲ ዚጣራጠርሲ ኸምቲ ንፋስ ዘደፍኦን ዚመልሶን ማዕበል ባሕሪ እዩ ዚመስል
እሞ፡ ከይተጣራጠረ ደኣ ብእምነት ይለምን። 7-8 ክልተ ዝልቡ ሰብኣይ ብኹሉ መገዱ ጽኑዕ ኣይኰነን
እሞ፡ እቲ ኸምዚ ዘመሰለ ሰብ ካብ ጐይታ ገለ ዚቕበል ኣይምሰሎ። 9 እቲ ለጠቕ ዝበለ ሓው ግና ልዕል
ብምባሉ ይመካሕ። 10 እቲ ሃብታምውን፡ ከም ዕምባባ ሳዕሪ ኺሐልፍ እዩ እሞ፡ ብውርደቱ ይመካሕ። 11
ጸሓይ ምስ ዋዒኣ ትወጽእ እሞ፡ ነቲ ሳዕሪ ተንቅጾ፡ እቲ ዕምባባኡ ኸኣ ይረግፍ፡ ደመት ትርኢቱ ድማ
ይጠፍእ፡ ከምኡውን እቲ ሃብታም ብመገዱ ኺሐርር እዩ። 12 ተፈቲኑ ምስ ወጸ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ነቶም
ዜፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣኽሊል ህይወት ኪቕበል እዩ እሞ፡ እቲ ብፈተና ዚዕገስ ሰብኣይ ብጹእ እዩ። 13
ኣምላኽሲ ብእኩይ ኣይፍተንን ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ፡
ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል። 14 ነፍሲ ወከፍ ግና ብገዛእ ትምኒቱ ተስሒቡን ተሐቢሉን እዩ ዚፍተን። 15
ደሓር፡ ትምኒት ምስ ጠነሰት፡ ንሓጢኣት ትወልዶ፡ ሓጢኣት ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ንሞት ይወልዶ። 16
ኣቱም ፍቁራት ኣሕዋተይ፡ ኣይትስሓቱ። 17 ጽቡቕ ውህበትን ምሉእ ውህበትን ካብ ላዕሊ እዩ፡ ካብቲ
ለውጢ ወይስ ምምልላስ ጽላሎት ዜብሉ ኣቦ ብርሃናት እዩ ዚወርድ። 18 በኹሪ ፍጥረቱ ምእንቲ
ኽንከውን ኢሉ እዩ ኸም ፍቓዱ ብቓል ሓቂ ዝወለደና። 19-20 ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ እዚ ትፈልጡ ኢኹም።
ኵራ ሰብኣይሲ ጽድቂ ኣምላኽ ኣይገብርን እዩ፡ ስለዚ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ንምስማዕ ቅልጡፍ፡ ንምዝራብ
ደንጓዪ ይኹን። 21 ስለዚ ንርኽሰት ዘበለን ብዝሒ ኽፍኣትን ኣርሒቕ፡ ነቲ ንነፍስኹም ኬድሕና ዚከኣሎ
ትኹል ቃልውን ብገርህነት ተቐበልዎ። 22 ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ
ኣይትኹኑ። 23 ሓደ እኳ ሰማዕ ቃል ኰይኑ ገባሪ እንተ ዘይኰነ፡ ንሱ ነቲ ንገጽ ፍጥረቱ ብመስትያት
ዚርኢ ሰብኣይ እዩ ዚመስል። 24 ነፍሱ ይርኢ እሞ፡ ይኸይድ ብኡብኡውን ከመይ ምዃኑ ይርስዖ። 25
እቲ ኣብቲ ምሉእ ሕጊ፡ ንሱ ድማ ሕጊ ሓርነት፡ ኣጸቢቑ ዚጥምትን ዚጸንዕን፡ ግብሪ ዚገብር እምበር፡
ዘይርስዕ ሰማዒ ግና፡ እዚ ብግብሩ ብጹእ ኪኸውን እዩ። 26 ሓደ እኳ፡ ንልቡ ደኣ ዜስሕቶ እምበር፡ ልሳኑ
ዘይለጕም እንተሎ፡ ንኣምላኽ ዜምልኽ ከም ዘሎ እንተ መሰሎ፡ ኣምልኾኡ ኸንቱ እዩ። 27 ኣብ ቅድሚ
ኣምላኽን ኣቦን ንጹህን ርኽሰት ዜብሉን ኣምልኾ እዚ እዩ፡ ርእስኻ ኻብ ርኽሰት ዓለም እናሐሎኻ፡
ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ መከራኦምን ጸበባኦምን ምብጻሕ እዩ።

## ምዕራፍ 2

1 ኣቱም ኣሕዋተይ፡ እምነት ብጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታ ኽብሪ፡ ብዘይ ኣድልዎ ሐዙ። 2 ኣብ ቤት

ጸሎትኩም ሓደ ብዓል ቀለቤት ወርቂ፡ ባዕባዕ ዚብል ክዳን እተኸድነ ሰብኣይ እንተ ኣተወ፡ ሓደ ድኻ
ድማ ረሳሕ ክዳን ተኸዲኑ እንተ ኣተወ፡ 3 እሞ ነቲ ባዕባዕ ዚብል ክዳን እተኸደነ እንተ ርኤኹም፡ ንስኻ
ኣብዚ ጽቡቕ ስፍራ ተቐመጥ፡ እንተ በልኩምዎ፡ ነቲ ድኻ ድማ፡ ንስኻስ ኣብቲ ደው በል፡ ወይስ ኣብዚ
ትሕቲ ድኳ እግረይ ተቐመጥ፡ እንተ በልኩምዎ፡ 4 ኣብ ንሓድሕድኩም ኣድልዎ ምግባር ደይኰነን፡
ብኽፉእ ሓሳብዶኸ ፈራዶ ኣይኰንኩምን፧ 5 ኣቱም ፍቁራት ኣሕዋተየ፡ ስምዑ፡ ብእምነት ኪህብትሙ
ነቶም ዜፍቅርዎ ተስፋ ዘገበረላ መንግስቲ ኺኣ ኪወርሱ ኢሉዶ፡ ኣምላኽ ነቶም ድኻታት እዛ ዓለም
እዚኣ ኣይሐረዮምን እዩ፧ 6 ንስኻትኩም ግና ነቲ ድኻ ነዐቕኩምዎ። እቶም ሃብታማትዶ ኣይኰኑን
ዚሕይሉኹምን ናብ መጋባእያ ዚስሕቡኹምን፧ 7 ንሳቶምዶ ኣይኰኑንከ ነቲ እተጸዋዕኩምሉ ኽቡር ስም
ዚጸርፉ ዘለዉ፧ 8 ሕጂ ግና ከምቲ ጽሑፍ፡ ንብጻይካ ኸም ነፍስኻ ጌርካ ኣፍቅሮ፡ ዚብል፡ ነቲ ንጉሳዊ
ሕጊ ብሓቂ እንተ ፈጸምኩምዎ፡ ሰናይ ትገብሩ ኣሎኹም። 9 እንተ ኣድሎኹም ግና፡ ሓጢኣት ትገብሩ
ኣሎኹም፡ እቲ ሕጊ ኸኣ መፍረስቲ ምዃንኩም ይረትዓኩም እዩ። 10 ንብዘሎ እቲ ሕጊ ሐልዩ ኣብ ሓንቲ
ዚብድል ብዅሉ እዩ በደለኛ ዚኸውን። 11 እቲ፡ ኣይትዘሙ፡ ዝበለ፡ ኣይትቕተል፡ ድማ በለ። ስለዚ እንተ
ዘይዘሞኻ እኳ፡ ካብ እትቐትልሲ መፍረሲ ሕጊ ኢኻ። 12-13 ነቲ ምሕረት ዘይገበረስ ምሕረት ዜብሉ
ፍርዲ ኪኸውን እዩ፡ ምሕረትሲ ኣብ ፍርዲ ትምካሕ እያ እሞ፡ ከምቶም ብናይ ሓርነት ሕጊ ዚፍረዶም፡
ከምኡ ተዛረቡ ኸምእውን ግበሩ። 14 ኣሕዋተየ፡ ሓደ ሰብ፡ እምነት ኣላትኒ፡ እንተ በለ፡ ግብሪ ግና ካብ
ዘይትህልዎ፡ እንታይ ይጠቅም፧ እዛ እምነት እዚኣዶ ኸተድሕኖ ትኽእል እያ፧ 15 ሓው ወይስ ሓብቲ እንተ
ዐረቑ፡ ናይ ዕለት ምግቢውን እንተ ሰኣኑ፡ 16 እሞ ንስጋኦም ዜድሊ ኸይሀብኩምዎምሲ፡ ሓደ
ካባኻትኩም፡ ብሰላም ኪዱ፡ ሙቑ፡ ጽገቡ፡ እንተ በሎም፡ እንታይ ይጠቕም፧ 17 ከምኡ ኸኣ እምነት፡
ግብሪ እንተ ዜብላስ፡ ንርእሳ ምውትቲ እያ። 18 ግናኸ ሓደ ሰብ ግዳ፡ ንስኻ እምነት ኣላትካ፡ ኣነ ኸኣ
ግብሪ ኣሎኒ፡ ይብል ይኸውን። እምብኣርሲ እምነትካ ብዘይ ግብሪ ኣርእየኒ፡ ኣነውን ብግብረይ ገይረ
እምነተይ ከርእየካ እየ። 19 ንስኻስ ኣምላኽ ሓደ በይኑ ምዃኑ ትኣምን ኣሎኻ። ጽቡቕ ገበርካ፡
ኣጋንንቲውን ይኣምኑን ይንቀጥቀጡን እዮም። 20 ግናኸ፡ ኣታ ከንቱ ሰብ፡ እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ
ምዃና ኽትፈልጥዶ ትደሊ ኢኻ፧ 21 ኣብርሃም ኣቦናዶ ንይስሃቅ ወዱ ኣብ መሰውኢ ምስ ኣቕረቦ፡
ብግብሩ ኣይጸደቐን፧ 22 እምነት ምስ ግብሩ ኾይና ኸም ዝዐየየት፡ እምነት ብግብሪ ገይራውን ከም
እተፈጸመት፡ ትርኢ ኣሎኻ። 23 እቲ፡ ኣብርሃም ንኣምላኽ ኣመነ እሞ ንጽድቂ ኾይኑ ተቘጽረሉ፡ ዚብል
ጽሑፍ ተፈጸመ፡ ፍቁር ኣምላኽውን ተባህለ። 24 ሰብ ብግብሪ ኸም ዚጸድቕ፡ ብእምነት ጥራይ ከም
ዘይኰነ፡ ትርእዩ ኣሎኹም። 25 ከምኡ ኸኣ ረሃብ፡ እታ ኣመንዝራ፡ ነቶም ልኡኻት ምስ ተቐበለቶም፡
ብኻልእ መገዲውን ምስ ኣውጽኣቶም፡ ብግብሪዶ ኣይጸደቐትን፧ 26 እምብኣርከ ስጋ ብዘይ መንፈስ
ምዉት ከም ዝኾነ፡ ከምኡውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ።

## ምዕራፍ 3

1 ኣሕዋተየ፡ ዚገድድ ፍርዲ ኸም እንቕበል ፈሊጥኩም፡ ብዙሓት መምህራን ኣይትኹኑ። 2 ኵላትና
ብብዙሕ ነገር ንስሕት ኢና እሞ፡ ሓደ ብቓል ዘይስሕት እንተሎ፡ ንሱ ንብዘሎ ስጋኡ ኺለጉም ዚከኣሎ፡
ብቑዕ ሰብኣይ እዩ። 3 እንሆ፡ ኣብ ኣፍ ኣፍራስ፡ ምእንቲ ክእዘዙና ኢልና፡ ልጓም ንገብረሎም ኣሎና፡
ንብዘሎ ስጋኦምውን ብእኡ ኢና እነቕንዮ። 4 እንሆ፡ መራኽብ ድማ፡ ክንድዚ ዓበይቲ ኽነሰንሲ፡
ብብርቱዕ ንፋስ እናተኸብከባ ናብቲ ፍቓድ መራሒ ዚደልዮ ብንእሽቶ ስካን እየን ዝቃንዓ። 5 ከምኡ

ድማ ልሳን ንእሽቶ ኣካል እያ እሞ፡ ብዓብዪ ነገር ትምካሕ። እንሆ፡ ንእሽቶ ሓዊ ኽንደይ ዓብዪ ዱር
ዘይተንድድ። 6 ልሳንውን ሓዊ እያ፡ ዓለም ዓመጻ እያ። ልሳን ኣብ ማእከል ኣካላትና ሰፊራ ንብዘሎ ስጋ
ተርክሶ ኣላ፡ ንመዘወር ንብረት ከኣ ተንድዶ፡ ብገሃነምውን ዝነደደት እያ። 7 ኵሉ ዓሌት እንስሳን ኣዕዋፍን
ለመም ዚብልን እንስሳ ባሕርን ብባህርይ ሰብ ይግዛእ፡ ተገዚኡውን ኣሎ። 8 ግናኸ ንልሳንሲ ሓደ ሰብ
እኳ ኺገዝኣ ኣይተኻእሎን፡ ንሳ ዘይተዐርፍ እክይቲ፡ ዚቐትል ሕንዚ ዝመልኤት እያ። 9 ብእኣ ጐርና
ንጐይታን ነቦን ንምርቕ፡ ብእኣ ጐርናውን ነቶም ብምስሊ ኣምላኽ እተፈጥሩ ሰባት ንረግም። 10 ካብ ሓደ
ኣፍሲ ምርቓን መርገምን ይወጽእ። ኣሕዋተየ፡ እዚ ኸምዚ ኪኸውን ኣይግባእን እዩ። 11 ወይስ ዔላዶ
ኻብ ሓንቲ ዓይኒ ማይ ጥዑምን መሪርን ማይ ትፍልፍል እያ፧ 12 ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ኦም በለስዶ ፍረ
ኣውልዕ ክትፈሪ ይከኣላ እዩ፡ ወይ ተኽሊ ወይንስ ፍረ በለስ፧ ከምኡኸ እታ ዔላ ጨው ጥዑም ማይ
ክትፍልፍል ኣይከኣላን እዩ። 13 ኣብ ማእከልኩምከ ለባምን ኣስተውዓልን መን እዩ፧ ንሱ ብሰናይ
ኣኻይዳኡ ብለውሃት ጥበብ ገይሩ ግብሩ የርኢ። 14 መሪር ቅንእን ሻራን ኣብ ልብኹም ካብ ዚህልወኩም
ግና፡ ንሓቂ እናተጻረርኩም ኣይትመክሑን ኣይትሐስዉን። 15-16 ኣብቲ ቕንእን ሻራን ዘለዎ፡ ኣብኡ
ምፍራስ ስርዓትን ኵሉ እኩይ ግብርን ኣሎ እሞ፡ እዛ ጥበብ እዚኣ ምድራዊትን ስጋዊትን ሰይጣናዊትን
እያ እምበር፡ ካብ ላዕሊ እትወርድ ኣይኰነትን። 17 እታ ናይ ላዕሊ ጥበብ ግና ቅድም ንጽህቲ እያ፡
ደሓርውን ሰላማዊት፡ ልእምቲ፡ ሰማዕ፡ ምሕረትን ጽቡቕ ፍረን ዝመልኤት፡ ብዘይ ዝሬትን ብዘይ
ግብዝናን እያ። 18 ነቶም ሰላም ዚገብሩውን እቲ ፍረ ጽድቂ ብሰላም ይዝርኦም እዩ።

## ምዕራፍ 4

1 እቲ ኣብ ማእከልኩም ዘሎ ውግእን ባእስን ካበይ እዩ ዚመጽእ ዘሎ፡ ካብቲ ኣብ ኣካላትኩም ኰይኑ
ዚዋጋእ ዘሎ ፍትወት ስጋኹም ደይኰነን፧ 2 ትምነዩ እሞ የብልኩምን፡ ትቐትሉን ትቐንኡን እሞ ሓንቲ
እኳ ኽትረኽቡ ኣይከኣለኩምን እዩ፡ ትበኣሱን ትዋግኡን ኢኹም እሞ፡ ስለ ዘይለመንኩም የብልኩምን።
3 ትልምኑ ኢኹም እሞ፡ ብፍትወት ስጋኹም ምእንቲ ኽትዘርውዎ፡ ብኽፉእ ስለ ዝለመንኩም፡
ኣይትቕበሉን ኢኹም። 4 ኣትን ዘመውቲ፡ ፍቕሪ ንዓለምሲ ንኣምላኽ ጽልኢ ምዃኑዶ ኣይትፈልጣን
ኢኽን፧ እምበኣርከ ፈታው ዓለም ምዃን ዚደሊ፡ ንሱ ጸላእ ኣምላኽ እዩ ዚኸውን። 5 ወይስ እቲ
ጽሑፍዶ ብኸንቱ ዚብል ዘሎ ይመስለኩም፧ እቲ ኣባና ዘሕደሮ መንፈስከ ኽሳዕ ቅንኢዶ ሃረር ይብል
እዩ፧ 6 ንሱ ግና ኣብዚሑ ጸጋ ይህብ። ስለዚ ድማ፡ ኣምላኽ ንዕቡያት ይጻረሮም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ
ይህቦም፡ ይብል። 7 እምብኣርስሲ ንኣምላኽ ተገዝእዎ። ንድያብሎስ ግና ተጻረርዎ እሞ፡ ንሱ ካባኻትኩም
ኪሀድም እዩ። 8 ንኣምላክ ቅረብዎ፡ ንሱውን ኪቐርበኩም እዩ። ኣቱም ሓጥኣን፡ ኣእዳውኩም ኣጽርዩ፡
ኣቱም ሰብ ክልተ ልቢውን፡ ልብኹም ኣንጽሁ። 9 ተሸገሩን ጕሀዩን ብኽዩን። ሰሓቕኩም ናብ ብኽያት፡
ሓጐስኩምውን ናብ ሓዘን ይለወጥ። 10 ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሄር ትሕት በሉ፡ ንሱውን ልዕል ኬብለኩም
እዩ። 11 ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ንሓድሕድኩም ኣይተተሓማመዩ። እቲ ንሓዉ ዚሐሚ ወይስ ኣብ ሓዉ
ዚፈርድ ነቲ ሕጊ ይሐምዮ፡ ኣብ ሕጊውን ይፈርድ። ኣብ ሕጊ ኻብ እትፈርድ ግና፡ ፈራዲ እምበር፡ ገባር
ሕጊ ኣይኰንካን። 12 እቲ ኼድሕንን ኬጥፍእን ዚኽእል ሓጋግ ሕግን ፈራድን ሓደ ንሱ እዩ። ኣብ ብጻይካ
እትፈርድከ ንስኻ እንታዋይ ኢኻ፧ 13 እስኪ ሕጂኸ ንስኻትኩም፡ ሎሚ ወይስ ጽባሕ ናብታ ኸተማ እቲኣ
ንኺድ እሞ ኣብኣ ዓመት ንግበር፡ ክንነግድን ክንረብሕን ኢና፡ እትብሉ፡ 14 ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ
ዚኸውን ኣይትፈልጥዎን ኢኹም። ህይወትኩም ደኣ እንታይ እያ፧ ንቕሩብ ጊዜ ተርእያስ፡ ደሓር ዚበንን

ትኪ ኢኹም። 15 ጐይታ እንተ ፈቐዶ፡ ንሕናውን እንተ አሊና፡ እዚ ወይስ እቲ ክንገብር ኢና፡ ኣብ ክንዲ
ምባልሲ፡ 16 ሕጂ ግና ብምጅሃርኩም ትምክሑ አሎኹም። ከምዚ ዝበለ ኹሉ ትምክሕቲ ኽፉእ እዩ። 17
እምበኣርስኸ እቲ ሰናይ ምግባር ዚፈልጥ እሞ ዘይገብሮ፡ ንእኡ ሓጢኣት ይኾኖ እዩ።

## ምዕራፍ 5

1 ኣቱም ሃብታማት፡ እስኪ ሕጂኸ በቲ ዚመጽኩም ዘሎ መግደራ ዋይ ዋይ እናበልኩም ብኸዩ። 2
ሃብትኹም መሽሚሹ፡ ንኽዳውንትኹምውን ብልዒ በሊዕዎ። 3 ወርቕኹምን ብሩርኩምን መሪቱ፡ እቲ
ምምራቱ ኸኣ ኪምስክረልኩም እዩ። ንስጋኹምውን ከም ሓዊ ኺበልዖ እዩ፡፡ ኣብዘን ዳሕሮት
መዓልትታት መዝገብ አኪብኩም አሎኹም። 4 እንሆ፡ ውዕለት እቶም ግርሁኹም ዝዐጸዱ ዓየይቲ፡
ንስኻትኩም ከኣ ዝገደብኩምዎም፡ የእዊ አሎ። ኣውያት እቶም ዓጻዶውን ኣብ እዝኒ እግዚኣብሄር ጻባኦት
በጺሑ አሎ። 5 ኣብ ምድሪ ሐንቀቕኩምን ጥዒሙኩምን፡ ከም ብመዓልቲ ማሕረዲውን ልብኹም
ኣስቢሕኩም። 6 ፈሪድኩም፡ ነቲ ጻድቕ ቀቲልኩምዎ፡ ንሱ ኣይጻረረኩምን እዩ። 7 እምብኣርሲ፡ ኣሕዋተየ፡
ክሳዕ ምጽኣት ጐይታ ተዐገሱ። እንሆ፡ ሓረስታይ ነቲ ኽቡር ፍረ ምድሪ ይጽበዮ፡ ኣኸዛን ማይ ጽብሓትን
ክሳዕ ዚረክብውን ይዕገስ እዩ። 8 ንስኻትኩም ከኣ፡ ምጽኣት ጐይታ ቐረባ እዩ እሞ፡ ተዐገሱ፡
ልብኹምውን ኣጽንዑ። 9 ኣሕዋተየ፡ ከይትፍረዱ፡ ኣብ ንሓድሕድኩም ኤህ ኣይትበሉ። እንሆ፡ እቲ
ፈራዲ ኣብ ኣፍ ቤት ደው ኢሉ አሎ። 10 ኣቱም ኣሕዋተይ፡ ነቶም ብስም እግዚኣብሄር እተዛረቡ ነብያት፡
ኣርኣያ ሓሳረ መከራን ትዕግስትን ግበርዎም። 11 እንሆ፡ ነቶም እተዐገሱ ብጹኣን እዮም ንብሎም አሎና።
ብዛዕባ ትዕግስቲ እዮብ ሰሚዕኩም አሎኹም፡ እግዚኣብሄር ከኣ ብዙሕ ለውሃት ዝመልኤን ደንጋጽን እዩ
እሞ፡ ነቲ እግዚኣብሄር ዝገበረሉ መወዳእታ ርኢኹምዎ ኣሎኹም። 12 ግናኸ፡ ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ኣብ
ትሕቲ ፍርዲ ኸይትወድቁስ፡ እቲ እዌኹም እወ፡ እቲ ኣይኮነን ዘበልኩምዎ ኸኣ ኣይኮነን ይኹን
እምበር፡ ቅድሚ ኹሉ ብሰማይ፡ ወይስ ብምድሪ፡ ወይስ ብኻልእ ማሕላ ኣይትምሐሉ። 13 ኣብ
ማእከልኩም ሓሳረ መከራ ዚጸግብ አሎ፧ ይጸሊ። ሕጉስዶ አሎ፧ ይዘምር። 14 ኣብ ማእከልኩምከ
ዝሐመመዶ አሎ፧ ንሽማግሌታት ማሕበር ይጸውዕ፡ ንሳቶም ከኣ ብስም እግዚኣብሄር፡ ዘይቲ
እናለኸይዎ፡ ኣብ ልዕሊኡ ይጸልዩ። 15 እታ ናይ እምነት ጸሎት ድማ ነቲ ሕሙም ከተድሕኖ እያ፡
ጐይታውን ከተንስኦ እዩ። ሓጢኣት ገይሩ እንተ ኾይኑውን ኪሕደገሉ እዩ። 16 እምብኣርሲ፡ ምእንቲ
ኽትፍወሱ፡ ንሓድሕድኩም ሓጢኣትኩም ተአመኑ፡ ምእንቲ ንሓድሕድኩምውን ጸልዩ። ጸሎት ጻድቕ
ብግብራ ብዙሕ ተስልጥ እያ። 17 ኤልያስ ከማና ዝድኻሙ ሰብ እዩ ዝነበረ፡ ዝናም ከይዘንም ከኣ ጸሎት
ጸለየ እሞ፡ ሰለስተ ዓመትን ሹድሽተ ወርሕን ኣብ ምድሪ ኣይዘነመን። 18 ከም ብሓድሽ ድማ ጸሎት ጸለየ፡
ሰማይ ከኣ ዝናም ሀበ፡ ምድሪውን ፍሪኣ ኣብቈለት። 19 ኣቱም ኣሕዋተየ፡ ሓደ ኻባኻትኩም ካብ ሓቂ
እንተ ዘምበለ፡ ሓደ ኸኣ እንተ መለሶ፡ 20 እቲ ንሓጥእ ካብ መገዲ ጌጋኡ ዚመልሶ፡ ንነፍሱ ኻብ ሞት ከም
ዜድሕን፡ ብዝሒ ሓጢኣትውን ከም ዝኸድን፡ ይፍለጥ።

# 1ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ

## ምዕራፍ 1

1 ጴጥሮስ ሃዋርያ የሱስ ክርስቶስ ነቶም ኣብ ጶንጦስን ኣብ ገላትያን ኣብ ቀጳዶቅያን ኣብ እስያን ኣብ
ቢቲንያን ፋሕ ኢሎም ዘለዉ ሕሩያት፡ 2 ከምቲ ናይ ቀደም ፍልጠት እግዚኣብሄር ኣቦና ብቕድስና
መንፈስ ንምእዛዝን ብደም የሱስ ክርስቶስን ንምንጻግን ጸጋን ሰላምን ኣባኻትኩም ይብዛሕ። 3-4 እቲ
ንዘይሓልፍን ዘይረክስን ዘይጽምሉን ኣብ ሰማያት ተኣርኒብልኩም ዘሎ ርስቲ፡ ብናይ የሱስ ክርስቶስ
ትንሳኤ ካብ ምውታት ብዝሒ ምሕረት ንህያው ተስፋ ብሓድሽ ዝወለደና ኣምላኽ፡ ኣቦ ጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ይባረኽ፡ 5 ንስኻትኩም ብሓይሊ ኣምላኽ ብእምነት ነቲ ብዳሕራይ ዘመን ኪገሃድ ዘለዎ
እተዳለወ ምድሓን ተሐሊኹም ኣሎኹም። 6-7 እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ
ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን ብሓዊ ኻብ ዚኸላዕ ንሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ኽቢሩ ምእንቲ ኪርከብ፡ እንተ
ኣድለየስ፡ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ምስ ጕሄኹም፡ ብእኡ ኽትሕጐሱ ኢኹም። 8-9 ነዚ
ኸይርኤኩምዎ እተፍቅርዎ፡ ሕጂውን ከይርኤኹምዎ ብእኡ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ነቲ መደምደምታ
እምነትኩም፡ ንሱ ድማ ምድሓን ንፍሳትኩም፡ ምስ ረኽብኩምዎ፡ ብዘይንገርን ክቡርን ሓጐስ ትሕጐሱ
ኢኹም። 10 እቶም ብዛዕባ እቲ ንኣኻትኩም እተመደበ ጸጋ እተነበዩ ነብያት ብዛዕባ እዚ ምድሓን እዚ
ደለዩን መርመሩን፡ 11 እቲ ኣባታቶም ዝነበረ መንፈስ ክርስቶስ ብስቓይ ክርስቶስ በቲ ድሕሪኡ ዘሎ
ኽብርን ቀዲሙ ኽም ዝመስከረ፡ ነየናይ ወይስ ንኸመይ ዝበለ ዘመን ከም ዘመልከተ እናመርመሩ፡ 12
ንኣኻትኩም እምበር፡ ንርእሶም ከም ዘየገልገሉ ተገልጸሎም። እዚውን በቶም፡ በቲ ኻብ ሰማይ እተላእከ
መንፈስ ቅዱስ ገይሮም፡ ወንጌል ዝሰበኹልኩም ሕጂ ተነግረልኩም፡ መላእኽቲ ናብኡ ኺጥምቱ ይብህጉ
እዮም። 13 ስለዚ ሓቛቝ ልብኹም ተዐጢቕኩም እናተጠንቀቕኩም፡ ነቲ ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ
እትረኽብዎ ጸጋ ምሉእ ተስፋ ግበሩ። 14 ከም እዙዛት ውሉድ እምበር ከምቲ ብዘመን ድንቍርና
ከሎኹም ዝገበርኩምዎ ናይ ቀደም ትምኒት ኣይትግበሩ፡ 15-16 ኣነ ቅዱስ እየ እሞ፡ ቅዱሳት ኩኑ፡ ዚብል
ጽሑፍ ስለ ዘሎ፡ ከምቲ እቲ ዝጸውዓኩም ቅዱስ ዝኾነ፡ ንስኻትኩምውን ብኹሉ ንብረትኩም ቅዱሳት
ኩኑ። 17 ነቲ ንነፍሲ ወከፍ ብዘይ ኣድልዎ ከከም ግብሩ ዚፈርድ፡ ንስኻትኩም ኣቦ ኢልኩም እትጽውዕዎ
ኻብ ኰንኩምሲ፡ ኣብዚ ዘመን ግሽነትኩም ብፍርሃት ንበሩ። 18-19 ካብቲ ኻብ ኣቦታትኩም
እተቐበልኩምዎ ኸንቱ ንብረትኩም፡ ከም ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዜብሉ ገንሸል፡ ብኽቡር ደም
ክርስቶስ እምበር፡ ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይስ ወርቂ፡ ከም ዘይደሐንኩም፡ ትፈልጡ ኢኹም። 20
ንሱ ቕድሚ ምስራት ዓለም ተመደበ፡ ኣብ መወዳእታ ዘመን ግና ምእንታኹም ተጋህደ። 21
ንስኻትኩም፡ እምነትኩምን ተስፋኹምን ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኪኸውን፡ በቲ ኻብ ምዉታት ዘተንስአ
ኽብሪውን ዝሀቦ ኣምላኽ ኣሚንኩም ኣሎኹም። 22-23 ብህያው ንዘለኣለም ብዚነብር፡ ካብ ቃል ኣምላኽ
ካብ ዘይጠፍእ ዘርኢ እምበር፡ ካብ ጠፋኢ ዘርኢ ኣይኰንኩምን ከም ብሓድሽ እተወለድኩም፡ ንሓቂ
እናተኣዛዝኩምዋን፡ ግብዝና ንዜብላ ፍቕሪ ኣሕዋት ንነፍስኹም ኣጽርዩ፡ ብንጹህ ልቢ ንሓድሕድኩም
ብሓቂ ተፋቐሩ፡ 24 ኵሉ ስጋ ኸም ሳዕሪ፡ ኵሉ ኽብሩውን ከም ዕምበባ ሳዕሪ እዩ። እቲ ሳዕሪ ይነቅጽ፡ እቲ
ዕምባባውን ይረግፍ፡ 25 ቃል እግዚኣብሄር ግና ንዘለኣለም ይነብር። እቲ እተነግረልኩም ቃል ብስራት
እዚ እዩ።

## ምዕራፍ 2

[1] እምብኣርሲ ንዅሉ ኽፍኣትን ኵሉ ጕርሕን ግብዝናን ቅንእን ኵሉ ሕሜትን ኣርሕቕዎ። [2-3]
እግዚኣብሄር ሕያዋይ ምዃኑ ጥዒምኩም እንተ ዄንኩምሲ፡ ብእኡ ንምድሓን ምእንቲ ኽትዓብዩ፡
ከምቶም ሕጂ እተወልዱ ሕጻናት ነቲ ሕዋስ ዜብሉ መንፈሳዊ ጸባ ብሃግዎ። [4] ናብቲ ብሰብ ንዑቕ፡
ብኣምላኽ ግና ሕሩይን ክቡርን ዝዀነ ህያው እምኒ እናቐረብኩም፡ [5] ንስኻትኩምውን፡ ከም ህያዋን
ኣእማን ኳንኩም፡ ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ኣምላኽ ቅቡል ዝዀነ መንፈሳዊ መስዋእቲ ኽተቕርቡ፡
ንቕዱስ ክህነት ዚኸውን፡ መንፈሳዊ፡ ቤት ተሀነጹ። [6] ስለዚ ኸኣ፡ እንሆ፡ ኣብ ጽዮን ሕሩይን ክቡርን
እምኒ መኣዝን ኣንብር ኣሎኹ፡ ብእኡ ዚኣምን ከኣ ኣይኪሐፍርን እዩ፡ ዚብል ኣብቲ ጽሑፍ ኣሎ። [7]
ስለዚ ንኣኻትኩም እትኣምኑ፡ ክቡር እዩ፡ ነቶም ዘይኣምኑ ግና፡ ነደቕቲ ዝነዐቕዎ እምኒ፡ ንሱ ርእሲ
መኣዝን ኰነ፡ [8] እምኒ መዓንቀፍን ከውሒ ምንስታትን ድማ እዩ። ብዘይ ምእዛዞም በቲ ቓል ይዕንቀፉ፡
ነዚ ድማ ምዱባት እዮም። [9] ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ኻብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃን
ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ፡ ሕሩይ ወለዶ፡ ናይ መንግስቲ ኽህነት፡ ቅዱስ ህዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ
ዝዀኑ ህዝቢ ኢኹም። [10] ንስኻትኩም ቀደም ህዝቢ ዘይነበርኩም፡ ሕጂ ግና ህዝቢ ኣምላኽ ኢኹም፡
ዘይተመሓርኩም ዝነበርኩም፡ ሕጂ ግና ምሑራት ኢኹም። [11] ኣቱም ፍቁራተይ፡ ከም ኣጋይሽን ከም
ስደተኛታትን እመኽረኩም ኣሎኹ፡ ካብቲ ምስ ነፍሲ ዘዋጋእ ስጋዊ ትምኒት ርሐቑ። [12] እቶም ከም
ገበርቲ እከይ ገይሮም ዚሐምዩኹም ዘለዉ፡ ንሰናይ ግብርኹም ርእዮም በታ መዓልቲ ሓተታ ንኣምላኽ
ምእንቲ ኼመስግንዎ፡ ኣብ ማእከል ኣህዛብ ኣኻይዳኹም ኣጸብቑ። [13-15] ከምዚ ሰናይ እናገበርኩም፡
ዕሽነት እቶም ዘይፈልጡ ሰባት ክትዐብሱ፡ ፍቓድ ኣምላኽ እዩ እሞ፡ ነቲ ኸም ኣብ ልዕሊ ዅሉ ዘሎ
ንጉስ፡ ወይስ ነቶም፡ ንገበርቲ እከይ ኪቐጽዑ፡ ንገበርቲ ሰናይ ኪንእዱ፡ ካብኡ እተላእኩ መኳንንቲ፡ ስለ
እግዚኣብሄር ኢልኩም ንስርዓት ሰብ ዘበለ ተገዝኡ። [16] ከም ውጹኣት ሓራ፡ ከም ኣገልገልቲ ኣምላኽ
እምበር፡ ከምቶም ነቲ ሓርነትሲ መጐልበቢ ኽፍኣት ዚገብርዎ ኣይትኩኑ። [17] ንዅሉ ሰብ ኣኽብሩ፡
ሕውነት ኣፍቅሩ፡ ንኣምላኽ ፍርህዎ፡ ንንጉስ ኣኽብርዎ። [18] ኣቱም ግዙኣት፡ ነቶም ዓመጽቲ ኸኣ እምበር፡
ነቶም ህያዎትን ልኡማትን ጥራይ ዘይኰነስ፡ ብፍርሃት ዘበለ ንጐይተትኩም ተኣዘዝዎም። [19] ሓደ እኳ
ስለ ሕሊና ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተዐሚጹ ጓሂ እንተ ተዐገሰ፡ እዚ ጸጋ እዩ። [20] ሓጢኣት እናገበርኩም
መውቃዕቲ እንተ ተዐገስኩም፡ እንታይ ትምክሕቲ ኣለዎ፡ ሰናይ እናገበርኩም መከራ እንተ ተዐገስኩም
ግና፡ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል እዩ። [21] ነዚ ኢኹም እተጸዋዕኩም እሞ፡ ክርስቶስ ከኣ፡ ምእንቲ
ኣስኣሰሩ ኽትስዕቡ፡ ኣርኣያ ሓዲጉልኩም ምእንታኹም መከራ ጸገበ። [22] ንሱ ሓጢኣት ዘይገበረ፡
ተንኰልውን ኣብ ኣፉ ዘይተረኽበ፡ [23] ምስ ጸረፍዎ መሊሱ ዘይጸረፈ፡ መከራ ምስ ኣጽገብዎ ኸኣ፡ ነቲ
ብቕንዕና ዚፈርድ ደኣ ነገሩ ኣሕሊፉ ሀበ እምበር፡ ዘየፈራርሄ። [24] ንሓጢኣት መዊትናስ ንጽድቂ ምእንቲ
ኽንነብር፡ ንሱ ባዕሉ ንሓጢኣትና ኣብ ስጋኡ ኣብ ዕንጨይቲ ጾሮ፡ ብቝስሉ ኢኹም ዝሐዌኹም። [25]
ከም እተባረራ ኣባጊዕ ኔርኩም ኢኹም እሞ፡ ሕጂ ግና ናብቲ ጓሳኹምን ሓላው ነፍሳትኩምን
ተመሊስኩም ኣሎኹም።

## ምዕራፍ 3

[1-2] ኣትን ኣንስቲ፡ ገለ ነቲ ቓል ዘይእዘዙ እንተ ኣለዉ፡ ነቲ ፍርሃት ዘለዎ ንጹህ ኣኻይዳኽን ምስ ረአዩ፡
በኻይዳ ኣንስቶም ብዘይ ቃል ከም ረብሓ ኺይኖም ምእንቲ ኺርከቡስ፡ ከምኡ ንሰብኡትክን

ተኣዘዛኣም። 3-4 ስልማትክን እቲ ብሕቡእ ናይ ልቢ ሰብን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ክቡር ዝኾነ ለዋህን
ህዱእን መንፈስ ይኹን እምበር፡ እቲ ናይ ስሩሕ ርእስን፡ ናይ ስልማት ወርቂ ምእሳርን፡ ናይ ዘጌጸ
ኽዳውንቲ ምኽዳንን ኣፍኣዊ ነገር ኣይኹን። 5 ቀደም ድማ እተን ተስፋኤን ናብ ኣምላኽ ዝገበራ ቅዱሳት
ኣንስቲ፡ ንሰብኡተን እናተኣዘዛ፡ ከምዚ እየን እተሰለማ። 6 ከምቲ ሳራ ንኣብርሃም ጐይታይ እናበለት
እተኣዘዘቶ፡ ንስኻትክን ከኣ ሰናይ እንተ ገበርክን፡ ብሓደ ዜሰምብድ ነገርውን እንተ ዘይፈራህክንሲ፡
ኣዋልዳ ኢኽን። 7 ኣቱም ሰብኡት፡ ጸሎትኩም ምእንቲ ኸይዕገት፡ ከም ምስ ድኽምቲ ፍጥረት፡ ከም
መዋርስትኹም ንጸጋ ህይወት ጌርኩም እናኸበርኩምወን፡ ከምኡ ምስ ኣንስትኹም ብእምሮ ንበሩ። 8
መወዳእታኡ ኸኣ፡ ኵላትኩም ሓደ ዝሐሳቦም፡ እትዳናገጹ፡ ሕውነት እተፍቅሩ፡ ለዋሃት፡ ትሑታት ኩኑ፡
9 ምርቓ ምእንቲ ኽትወርሱ፡ ነዚ ጽዉዓት ኢኹም እሞ፡ መርቑ ደኣ እምበር፡ እኩይ ኣብ ክንዲ እኩይ
ወይስ ጸርፊ ኣብ ክንዲ ጸርፊ ኣይትምለሱ። 10-12 ኣዒንቲ እግዚኣብሄርሲ ናብ ጻድቃን እየን ዚርእያ፡
ኣእዛኑውን ናብ ጸሎቶም እየን፡ ገጽ እግዚኣብሄር ግና ነቶም ገበርቲ እከይ ይጻረሮም እዩ እሞ፡ እቲ
ህይወት ኪፈቱ ጽቡቓት መዓልትታት ከኣ ኪርኢ ዚደሊ፡ ልሳኑ ኻብ ክፉእ፡ ከናፍሩውን ተንኰል
ከይዛረባ ይኸልክል። ካብ እከይ ይዝበል ሰናይ ከኣ ይግበር፡ ንሰላም ይድለያ ይስዐባውን። 13 ስለ እቲ
ሰናይ እንተ ጸዐትኩምከ፡ መን እዩ እከይ ዚገበረኩም፧ 14 ስለ ጽድቂ እኳ ድማ ሓሳረ መከራ እንተ
ጸገብኩም፡ ብጹኣን ኢኹም። ካብ ፍርሃቶም ኣይትፍርሁ ኣይትሰምብዱውን። 15 ንጐይታና ክርስቶስ
ብልብኹም ቀድስዎ እምበር፡ ብዛዕባ እታ ኣባኻትኩም ዘላ ተስፋ ምኽንያታ ንዚሐተኩም ዘበለስ ምላሽ
ንምሃብ ኵሉ ሳዕ እተዳሎኹም ኩኑ፡ ግናኸ ብዓቕልን ብፍርሃትን ደኣ ይኹን። 16-17 ፍቓድ ኣምላኽ
ከምዚ እንተ ደለዮስ፡ ካብ እከይ እናገበርኩምሲ፡ ሰናይ እናገበርኩም ሓሳረ መከራ ኽትጸግቡ
ይሔሸኩም እዩ እሞ፡ እቶም ነቲ ብክርስቶስ ዚኸውን ሰናይ ኣኻይዳኹም ዚጸርፉ በቲ ዚሐምዩኹም
ምእንቲ ኺሐፍሩ፡ ሰናይ ሕሊና ይሀሉኹም። 18 ክርስቶስ ድማ፡ ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ኬቕርበና ኢሉ፡
ንሱ እቲ ጻድቕ ስለቶም ዓመጽቲ ሓንሳእ ስለ ሓጢኣት ሞተ፡ ብስጋ ሞተ፡ ብመንፈስ ግና ህያው ኰነ። 19
ብእኡ ኸይዱ ድማ ነቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝነበሩ መናፍስቲ ሰበኸሎም፡ 20 ትዕግስቲ ኣምላኽ
ብመዓልትታት ኖህ ምስ ተጸበየት፡ እታ መርከብ ክትስራሕ ከላ፡ ብእኣ ሒደት፡ ማለት ሾሞንተ ነፍሲ፡
ብማይ ዝደሐናላ፡ ነቶም ቀደም ዘይኣመኑ ሰበኸሎም። 21 እቲ ማይ ድማ ሕጂ ብተምሳሉ፡ ማለት
ጥምቀት፡ የድሕነኩም ኣሎ፡ እዚ ኸኣ ብትንሳኤ የሱስ ክርስቶስ ልማኖ ሰናይ ሕሊና ናብ ኣምላኽ እዩ
እምበር፡ ምሕጻብ ርስሓት ስጋ ኣይኰነን። 22 ንሱ ናብ ሰማይ ዐሪጉ ኣብ የማን ኣምላኽ ኣሎ፡ ንእኡ
መላእኽቲ ስልጣናትን ሓይልታትን ይግዝእዎ ኣለዉ።

## ምዕራፍ 4

1-2 ደጊም ክርስቶስ ምእንታና ሓሳረ መከራ ካብ ጸገበስ፡ ብስጋኡ መከራ ዚጸግብ፡ ንሱ ንሓጢኣት
ሒዲግዎ እዩ እሞ፡ እቲ ብስጋ ዝተረፈ ዘመን ንፍቓድ ኣምላኽ እምበር፡ ንፍትወት ሰብ ምእንቲ
ኸይትነብሩ፡ ንስኻትኩምውን ነዚ ሓሳብ እዚ ኸም ኣጽዋር ጌርኩም ሐዝዎ። 3 እቲ ብዕብዳን፡ ብፍትወት
ስጋ፡ ብስኽራን፡ ብጓይላ፡ ብመስተ፡ ብርኹስ ምምላኽ ጣኦት ክትነብሩ ኸሎኹም፡ ፍቓድ ኣህዛብ
ዝገበርኩምሉ ዝሐለፈ ዘመን ይኣክል እዩ። 4 ናብቲ ዕያግ ርኽሰት ምሳታቶም ስለ ዘይጐየኹም፡
እናተጻረፉ ብእኡ ይግረሙ ኣለዉ። 5 ንሳቶም ነቲ ንህያዋንን ንምዉታትን ኪፈርድ ተዳልዩ ዘሎ፡ ጸብጻብ
ኪህብዎ እዮም። 6 ከምቲ ናይ ሰብ ብስጋ ኈይኖም ኪፍረዱ፡ ከምቲ ናይ ኣምላኽ ግና ብመንፈስ

ኳይኖም ብህይወት ምእንቲ ኺነብሩ ኢሉ እዩ ንምዉታት ድማ ብስራት እተነግረ። [7] ግናኸ መወዳእታ
ዅሉ ነገር ቀሪቡ። ስለዚ ርእስኹም ግትኡ ንጸሎትውን ንቕሑ። [8] ፍቕሪ ብዝሒ ሓጢኣት ትኸድን እያ
እሞ፡ ቅድሚ ዅሉ ኣብ ንሓድሕድኩም ሃልሃል እትብል ፍቕሪ ትሃልኹም። [9] ብዘይ ምዕዝምዛም
ንሓድሕድኩም ግሽነት ተቓባበሉ። [10] ነፍሲ ወከፍ ከምቲ እተቐበሎ ውህበት ጸጋ፡ ከም ሕያዎት መገብቲ
ናይቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ጸጋ ኣምላኽ ንሓድሕድኩም ኣገልግሉ። [11] ዚነግር እንተ ዀነ፡ ከም ቃል ኣምላኽ
ገይሩ ይንገር፡ ዜገልግል እንተ ዀነውን፡ ከምቲ ኣምላኽ ዝሀቦ ሓይሊ ገይሩ የገልግል። ኣምላኽ ብየሱስ
ክርስቶስ ብዅሉ ምእንቲ ኪኸብር፡ ንእኡ ኽብርን ስልጣንን ንዘለኣለመ ኣለም ይኹኖ። ኣሜን። [12]
ኣቱም ፍቁራተይ፡ በቲ ንምፍታን ዚረኽበኩም ዘሎ ዋዒ ሓዊ፡ ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓኩም
ኳንኩም፡ ኣይትገረሙ። [13] ብምግላጽ ግርማኡ ድማ ክትሕጐሱን ባህ ክትብሉን ኢኹም እሞ፡ ኣብቲ
ስቓይ ክርስቶስ ሕቡራት ካብ እትዀኑስ፡ ተሐጐሱ ደኣ። [14] ምእንቲ ስም ክርስቶስ እንተ ተጻረፍኩም፡
እቲ ናይ ክብርን ናይ ኣምላኽን መንፈስ ኣባኻትኩም ይሐድር እዩ እሞ፡ ብጹኣን ኢኹም። [15] ሓደ
ኻባኻትኩም ከም ቀታሊ፡ ወይስ ከም ሰራቂ፡ ወይስ ከም ገባር እከይ፡ ወይስ ኣብ ነገር ካልኦት ከም
ዚጽምበር ኰይኑ መከራ ኣይጽገብ። [16] ከም ክርስትያን መከራ እንተ ጸገበ ግና፡ ስለ እዚ ስም እዚ
ንኣምላኽ የመስግኖ እምበር፡ ኣይሕፈር። [17] እቲ ፍርዲ ኣብ ቤት ኣምላኽ፡ ዚጅምረሉ ጊዜ መጺኡ እዩ
እሞ፡ ቅድም ኣባና ኻብ ዚጅምርሲ፡ እቶም ንወንጌል ኣምላኽ ዘይእዘዙ ደኣ መወዳእታኦም እንታይ
ኪኸውን እዩ፧ [18] እቲ ጻድቕ ብሓይለ ገደል ዚድሕን ካብ ዚኸውን፡ እቲ ዓማጽን ሓጥእን ደኣ ኣበይ
ኪርኤ እዩ፧ [19] ስለዚውን እቶም ከም ፍቓድ ኣምላኽ ኰይኖም ሓሳረ መከራ ዚጸግቡ ዘለዉ፡ ሰናይ
እናገበሩ ንነፍሶም ኣብቲ እሙን ፈጣሪ ደኣ የማሕጽንዋ።

## ምዕራፍ 5

[1] እምብኣርሲ ነቶም ኣብ ማእከልኩም ዘለዉ ሽማግሌታት፡ ኣነ መሸማግልቶም፡ ብስቓይ ክርስቶስ ድማ
መስካሪ፡ ኣብቲ ደሓር ኪግለጽ ዘልዎ ኽብሪውን ተማቓሊ እየ እሞ፡ እምዕዶም ኣሎኹ፡ [2] ነቲ
ምሳኻትኩም ዘሎ መጓሰ ኣምላኽ ጓስይዎ፡ ብፍታው ከም ፍቓድ ኣምላኽ እምበር፡ ብግዲ ኣይኹን፡
ብታሕጓስ እምበር፡ ምእንቲ ኽንቱ ረብሓውን ኣይኹን፡ [3] ነቲ መጓሰ ኣርኣያ እናዀንኩምዎ እምበር፡
ኣብተን ማሕበራት ከም ጐይተት ኣይትኹኑ። [4] እቲ ሓለቓ ጓሶት ምስ ተገልጸ ድማ፡ ዘይጽምሉ ኣኽሊል
ክብሪ ኽትቅበሉ ኢኹም። [5] ኣቱም መንእሰይ፡ ከምኡ ነቶም ዚዐብዩኹም ተገዝእዎም። ኣምላኽ ንዕቡያት
ይመዓዐቶም፡ ንትሑታት ግና ጸጋ ይህቦም እዩ እሞ፡ ኵላትኩም ንሓድሕድኩም ምእንቲ ኽትግዝኡ፡
ትሕትና ተዐጠቑ። [6] ደጊም ብጊዜኡ ንሱ ልዕል ምእንቲ ኼብለኩም፡ ኣብ ትሕቲ እታ ጽንዕቲ ኢድ
ኣምላኽ ትሕት በሉ። [7] ንሱ ይሐልየልኩም እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ። [8]
ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዝጓዝም ኣንበሳ ዀይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ፡
ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ። [9] እዚ ሓሳረ መከራ እዚ ነቶም ኣብ ዓለም ዘልዉ ኣሕዋትኩም ይበጽሖም ከም ዘሎ
እናፈለጥኩም፡ ብእምነት ጸኒዕኩም ተቓወምዎ። [10] እቲ ብክርስቶስ የሱስ ናብ ናይ ዘለኣለም ክብሩ
ዝጸወዓኩም ኣምላኽ ኵሉ ጸጋ፡ ቅሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም፡ ንሱ ኺፍጽመኩም፡
ኬበርትዓኩም፡ ኪስርተኩምውን እዩ። [11] ንዘለኣለም ኣለም ንእኡ ኽብርን ስልጣንን ይኹን። ኣሜን። [12]
ብስልዋኖስ፡ ንኣይ ከም ዚመስለኒ እሙን ሓዉና ገይረ፡ እናመኽርኩኹም፡ እዚ ደው ኢልኩምሉ
ዘሎኹም ናይ ሓቂ ጸጋ ኣምላኽ ምዃኑ እናመስከርኩ፡ ቅሩብ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ። [13] እታ

መተሓርይትኹም ኣብ ባቢሎን ዘላ ማሕበርን ማርቆስ ወደይን ሰላም ይብሉኹም ኣለዉ። [14] ብናይ ፍቕሪ ምስዕዓም ንሓድሕድኩም ሰላም ተባሃሀሉ። ብክርስቶስ የሱስ ዘሎኹም ኵላትኩም ሰላም ይሀልኹም። ኣሜን።

# 2ይ መልእኽቲ ጴጥሮስ

## ምዕራፍ 1

1 ስምኦን ጴጥሮስ፡ ናይ የሱስ ክርስቶስ ባርያን ሃዋርያን፡ ናብቶም ማዕረ እታ ናትና ዝኸብረታ እምነት
ብጽድቂ ኣምላኽናን ብመድሓኒናን የሱስ ክርስቶስን እተመቕሉ፡ 2 ብፍልጠት ኣምላኽናን ጐይታናን
የሱስን ኣባኻትኩም ጸጋን ሰላም ይብዛሕ። 3 እቲ ብፍልጠት ክብሩን ደግነቱን ዝጸውዓና ኣምላኻዊ
ሓይሉ ንህይወትን ንፍርሃት እግዚኣብሄርን ዚኸውን ኵሉ ኻብ ዚህበና፡ 4 ብእኡ እታ ኽብርትን ዓባይን
ተስፋ ዝረኸብና፡ ኣብ ዓለም ብፍትወት ስጋ ኻብ ዘሎ ጥፍኣት ወጺእኩም፡ ተማቕልቲ እቲ ኣምላኻዊ
ባህርይ ምእንቲ ኽትኰኑ፡ 5 ብትግሃት ዘበለ ተጋደሉ፡ ኣብ እምነትኩም ደግነት ወስኹ፡ ኣብቲ
ደግነትውን ፍልጠት፡ 6 ኣብታ ፍልጠት ከኣ ምግታእ ርእስኻ፡ ኣብቲ ምግታእ ርእስኻ ድማ ዓቕሊ፡ ኣብቲ
ዓቕሊውን ፍርሃት እግዚኣብሄር፡ 7 ኣብ ፍርሃት እግዚኣብሄር ድማ ምፍቃር ኣሕዋት፡ ኣብቲ ምፍቃር
ኣሕዋትውን ፍቕሪ ንዅሉ ሰብ። 8 እዚ ነገርዚ እንተ ኣሎኩም፡ እናማዕበለውን እንተ ኸደ፡ ንምፍላጥ
ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ሃካያትን ዘየፍርዩን ክትኰኑ ኣይሐድገኩምን እዩ። 9 እቲ እዚ ነገርዚ ዜብሉስ፡
ካብቲ ናይ ቀደም ሓጢኣቱ ምጽራይ ዝረስዔ፡ ዕዉር፡ ነቲ ኣብ ቀረባ ዘሎ ጥራይ ዚርኢ እዩ። 10 ስለዚ፡
ኣቱም ኣሕዋትና፡ ንጽውዓኹምን ምሕራይኩምን ከተጽንዕዎ ኣዚኹም ተጋደሉ። እዚ እንተ ገበርኩምሲ፡
ከቶ ኣይከተንደልህዑን ኢኹም። 11 ከምኡውን ናይቲ ናይ ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ
ዘለኣለማዊ መንግስቲ ምእታው ብምልኣት ኪውሀበኩም እዩ። 12 ስለዚ ምንም እኳ እንተ ፈለጥኩምዎ፡
ኣብቲ ዘሎኩም ሓቂውን እንተ ጸናዕኩም፡ ነዚ ነገርዚ ኵሉ ጊዜ ኸዘክረኩም ሓሳበይ እዩ። 13-14 ከምቲ
ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝገለጸለይ ከኣ፡ እቲ ምቕንጣጥ ድንኳነይ ቀልጢፉ ኸም ዚኸውን ስለ
ዝፈለጥኩ፡ ኣብዚ ድንኳን እዚ ኽሳዕ ዘሎኹ፡ ብምዝካር ከንቅሓኩም ቅኑዕ ኰይኑ ይርኣየኒ ኣሎ። 15
ግናኸ ድሕሪ ስንብታይ ከኣ ኵሉ ጊዜ ነዚ ኽትዝክርዎ ኢለ እጽዕር ኣሎኹ። 16 ነቲ ናይ ጐይታና የሱስ
ክርስቶስ ሓይልን ምጽኣትን ከንነግረኩም ከሎና፡ ነቲ ናይ ግርማኡ ብዓይንና ዝርኤናዮ ምስክር ኳንና
ኢና እምበር፡ እተጣበብዎ ጽውጽዋያት ኣይሰዐብናን። 17 ካብቲ ግኑን ግርማ ኽብሪ፡ ብእኡ ዝሰመርኩ
ፍቁር ወደይ እዚ እዩ፡ ዚብል ድምጺ ምስ መጸ፡ ንሱ ኻብ እግዚኣብሄር ኣቦና ክብርን ግርማን ተቐበለ።
18 ኣብቲ ቅዱስ ከረን ምስኡ ኽሎና ኸኣ፡ ንሕና ባዕላትና ነዚ ድምጺ እዚ ኻብ ሰማይ ኪመጽእ ከሎ
ሰሚዕናዮ ኢና። 19 ኣዝዩ ዝጸንዔ ቓል ትንቢት ከኣ ኣሎና፡ ምድሪ ኽሳዕ ዚወግሕ፡ ኰኾብ ጽባሕውን
ኣብ ልብኹም ክሳዕ ዚወጽእ፡ ኣብቲ ስፍራ ጸልማት ከም ዜብርህ መብራህቲ ጌርኩም እንተ
ኣስተብሀልኩምሉ፡ ሰናይ ትገብሩ ኣሎኹም። 20 ኵሉ ጽሑፍ ትንቢት ትርጉሙ ኻብ ርእሱ ከም ዘይኰነ፡
ቅድሚ ዅሉ እዚ ፍለጡ። 21 ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ
እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን።

## ምዕራፍ 2

1 ግናኸ ነብያት ሓሶት ድማ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ተንሲኦም ነበሩ፡ ከምኡ ኸኣ ኣብ ማእከልኩም
መምህራን ሓሶት ኪትንስኡ እዮም፡ ናብ ርእሶም ቅልጡፍ ጥፍኣት እናምጽኡ ድማ፡ ክሳዕ ነቲ

እተሻየጦም ጐይታ እኳ ኪኽሕድዎ እዮም፡ ንሳቶም ናይ ጥፍኣት ምፍልላይ ኣስሊኾም ኬእትዉ እዮም።
[2] ብዙሓት ድማ ብርኽሰቶም ኪስዕብዎም እዮም፡ ብሰሮምውን እታ መገዲ ሓቂ ኽትጽረፍ እያ። [3]
ብስስዔ ብዘረባ ጥበራ ገይሮም፡ መናገዲ ኺገብሩኹም እዮም፡ ፍርዶም ካብ ቀደም ኣይዐርፍን
ጥፍኣቶምውን ኣይድቅስን እዩ። [4] ኣምላኽ ግና ነቶም ሓጢኣት ዝገበሩ መላእኽቲ እኳ ናብ ገሃነም
ደርብዩ፡ ብመቑሕ ጸልማት ተኣሲሮም ንፍርዲ ኺሕለዉ ኣሕሊፉ ሀቦም እምበር፡ ካብ ዘይነሐፎም፡ [5]
ነታ ቐዳመይቲ ዓለም ድማ ካብ ዘይነሐፋስ፡ ናብታ ናይ ሓጥኣን ዓለም ማይ ኣይሂ ምስ ኣውረደ ኸኣ፡
ንኖህ ሰባኺ ጽድቂ ሳምናይ ርእሱ ሐለዎ። [6] ነቶም ደሓር ዚመጹ በደለኛታት መሰከሒ ገይርወን፡
ንኸተማታት ሶዶምን ጎሞራን ሓሙኹስቲ ገይርወን ንምግምጣል ፈረደን። [7] ነቲ ብኣበሳኦምን ብርኹስ
ንብረቶምን ዚስቀ ዝነበረ ሎጥ ጻድቕ ግና ኣድሐኖ፡ [8] ማለት፡ እቲ ጻድቕ ኣብ ማእከሎም ኪነብር ከሎ፡
ኣብ ጸጽባሕ በቲ ዚርእዮን ዚሰምዖን ዝነበረ ግብሪ ዓመጻኦም፡ እታ ጻድቕ ነፍሱ ትስቀ ነበረት። [9]
እምብኣርስኸ ጐይታ ነቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር ካብ ፈተና ኼውጽኦም፡ ንገበርቲ ዓመጻ ግና እናቕጽዔ
ንመዓልቲ ፍርዲ ኺሕልዎም ይፈልጥ እዩ። [10] ምናዳ ግና ነቶም ብርኹስ ትምኒት ደድሕሪ ስጋ ዚኸዱ፡
ንጐይትነት ከኣ ዚንዕቁ፡ ደፋራት፡ ፈተውቲ ርእሶም፡ ንኽብርታት ኪጸርፉ ዘየንቀጥቅጡ፡ [11] መላእኽቲ
እኳ ብሓይልን ብስልጣንን ዚበልጹ ኽነሶምሲ፡ ኣብ ቅድሚ ጐይታ ንኣታቶም ዚጸረር ፍርዲ ጸርፊ
ኣየምጽኡን እዮም። [12] እዚኣቶም ግና ከምታ ንማእሰርቲን ንጥፍኣትን እተፈጥረት በሃም እንስሳ እዮም፡
ነቲ ዘይፈልጥዎ እናጸረፉ ብጥፍኣቶም ኪጠፍኡ እዮም፡ [13] ዓስቢ ዓመጻኦምውን ኪቕበሉ እዮም። ነቲ
ናይ ዕለት ሕንቃቐ ኸም ጥዑም ንብረት ገይሮም ይርእይዎ። ርኹሳትን ነውራማትን እዮም፡
ብምጥባሮም እናተቐለቡ ምሳኻትኩም ኣብ መኣዲ ይበልዑ አለው። [14] ዝሙት ዝመልአ ኻብ ሓጢኣት
ከኣ ዘየቛርጻ ኣዒንቲ ኣለዋኦም፡ ነተን ዘይጸንዓ ነፍሳት ይሐብልወን፡ ስስዔ ዝለመደ ልቢ ኣለዎም፡ ደቂ
መርገም እዮም። [15] ነታ ቕንዕቲ መገዲ ሐዲጎም ተጋገዩ፡ መገዲ እቲ ዓስቢ ዓመጻ ዝፈተወ በልኣም ወዲ
ቦሶር ሰዐቡ። [16] ስለ ኣበሳኡ ግና መግናሕቲ ተቐበለ፡ በሃም ኣድጊ ጽዕነት ብድምጺ ሰብ ተዛረበት፡
ንጽላለ እቲ ነብዪ ኸኣ ዐገተት። [17] ንሳቶም ማይ ዜብሉ ዔላታት ህቦብላ ዚኽብክቦ ግመን እዮም፡
ንኣታቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘለኣለም ተኣኪብሎም ኣሎ። [18] ከንቱ ዝኾነ ዘረባ ትዕቢት እናተዛረቡ
ብፍትወት ስጋን ብርኽሰትን ነቶም ካብቶም ብስሕተት ዚነብሩ ሕጂ ቕሩብ ዘምለጡ ይሐባብሉ፡ [19]
እተሳዕረ ሰብ ነቲ ዝሰዐሮ ባርያኡ ይኾኖ እዩ እሞ፡ ንሳቶም ንርእሶም ባሮት ጥፍኣት ክነሶም፡ ሓራ
ኽትወጹ ኢኹም እናበሉ፡ የተስፍውዎም አለዉ። [20] ብፍልጠት ጐይታናን መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ
ካብታ ርኽሰት ዓለም ኣምሊጦም፡ ከም ብሓድሽ ብእኣ ተጠሊፎም እንተ ተሳዕሩ፡ ካብ ቀዳማዮምሲ
ዳሕራዮም ዝገደደ እዩ ዚኸውን። [21] ማለት፡ ንሳቶም እናፈለጥዋ ኻብቲ እተዋህቦም ቅዱስ ትእዛዝ
ንድሕሪት ካብ ዚምለሱስ፡ ነታ መገዲ ጽድቂ እንተ ዘይፈልጥዋ ምሔሾም ነይሩ። [22] ከምቲ እቲ ምስላ
ሓቂ፡ ከልቢ ናብ ትፍኡ ተመልሰ፡ ሓሰማውን ተሐጺባስ ኣብ ጸብሪ ኣንገርገረት፡ ዚብሎ በጺሕዎም
አሎ።

## ምዕራፍ 3

[1-2] ኣቱም ፍቁራተይ፡ እዛ ሕጂ ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ ካልኣይቲ ደብዳበይ እያ፡ ቀደም ብቕዱሳት
ነብያት እተባህለ ቓልን ብሃዋርያትኩም ካብ ጐይታናን መድሓኒናን ዝረኸብኩምዎ ትእዛዝን ምእንቲ
ኽትዝክሩ ኢለ፡ ብኽልቲኣተን እናኣዘከርኩኹም ነቲ ግሩህ ሓሳብኩም ኤንቅሖ አሎኹ። [3] ኣብተን

ዳሕሮት መዓልትታት ከም ፍትወት ርእሶም ዚመላለሱን ዜላግጹ መላገጽትን ከም ዚመጹ፡ ቅድሚ ኹሉ
እዚ ፍለጡ። [4] ንሳቶም ከኣ፡ ተስፋ ምጽኣቱ ደኣ ኣበይ ኣሎ ፧ ካብታ ኣቦታትና ዝደቀሱላ መዓልቲ፡ ካብ
መጀመርታ ፍጥረት ሒዙ ኵሉ ኸምቲ ዝነበሮ እዩ ዘሎ፡ ኪብሉ እዮም። [5] ሰማያት ካብ ጥንቲ ብቓል
ኣምላኽ ከም ዝነበረ፡ ምድሪውን ካብ ማይን ብማይን ምኽኗ፡ ነዚ ፈትዮም ይርስዕዎ ኣለዉ። [6] እታ ሽዑ
ዝነበረት ዓለም ብእኡ፡ በቲ ማይ፡ ተሰጢማ ጠፍኤት። [7] እቲ ሕጂ ዘሎ ሰማያትን ምድርን ግና ብቓሉ
ተዐቝሩ ኣሎ፡ ክሳዕ መዓልቲ ፍርድን ክሳዕ ጥፍኣት እቶም ንእግዚኣብሄር ዘይፈርሁ ሰባትን ንሓዊ
ይሕሎ ኣሎ። [8] ግናኸ፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ ኣብ እግዚኣብሄር ሓንቲ መዓልቲ ኸም ሽሕ ዓመት፡ ሽሕ
ዓመትውን ከም ሓንቲ መዓልቲ ምዃኑ፡ እዛ ሓንቲ ነገር እዚኣ ኣይትሰወርኩም። [9] ጐይታስ፡ ኵላቶም
ናብ ንስሓ ኪበጽሑ እምበር፡ ሐደ እኳ ኪጠፍእ ዘይፈቱ ስለ ዝኾነ፡ ምእንታኻትኩም ይዕገስ ኣሎ
እምበር፡ ከምቲ ንገሊኣቶም ዝድንጕ ዚመስሎም፡ ንተስፋኡ ኣየደንጕዮን እዩ። [10] መዓልቲ ጐይታ ግና
ከም ሰራቒ ኾይና ኽትመጽእ እያ፡ ብእኣ ሰማያት ጥዋዕዋዕ እናበለ ኪሐልፍ እዩ፡ ፍጥረት ሰማይ
ብረስኒ ኺመክኽ፡ ምድርን ኣብኣ ዘሎ ግብርታትን ኪነድድ እዩ። [11-12] ደጊም እዚ ኹሉ ዘፈላለ ኻብ
ኰነ፡ ስሊኡ ሰማያት ብሓዊ መኺኹ ዚፈላለየሉ፡ ፍጥረት ሰማያት ብረስኒ ዚመከሉ፡ ነቲ ምጽኣት
መዓልቲ ኣምላኽ እናተጸቤኹምዎን እናኣቐልጠፍኩምዎን ብቕዱስ ንብረትን ብፍርሃት እግዚኣብሄርን
ከመይ ዝበሉ ኽትኰኑ እዩ ዚግብኣኩም። [13] ንሕና ግና፡ ከምቲ ተስፋኡ፡ ጽድቂ ዚነብረሉ ሓድሽ ሰማያት
ሓድሽ ምድርን ንጽበ ኣሎና። [14] ስለዚ ኸኣ፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ ነዚ እናተጸቤኹምሲ፡ ብዘይ ነውርን
ብዘይ መንቅብን ብሰላም ኣብ ቅድሚኡ ኽትርከቡ ተጋደሉ። [15] ከምቲ እቲ ፍቁር ሓውና ጳውሎስ ድማ
በቲ እተዋህቦ ጥበብ ዝጸሐፈልኩም፡ ነቲ ትዕግስቲ ጐይታና ንምድሓንኩም ቍጸርዎ። [16] ንሱ ኣብ ኵላተን
ደብዳቤታቱ ድማ ነዚ ነገር እዚ ኺዛረበሉ ኸሎ፡ ኣብኡ ንምስትውዓሉ ዚሸግር ሓይሎ ነገር ኣሎ። እቶም
ደናቝርትን ዘይጽኑዓትን፡ ከምቲ ነቲ ኻልእ ጽሑፋት ንጥፍኣት ርእሶም ዝጠዋወይዎ ገይሮም
ይጠዋውይዎ ኣለዉ። [17] ደጊም፡ ኣቱም ፍቁራተይ፡ ነዚ ቕድም እናፈለጥኩምሲ፡ ብስሕተት እቶም ስዲ
ዚኾዱ ዘልዉ ተስሒብኩም ካብ ጽንዓት ከይትወድቁ ተሐለዉ። [18] ብጸጋን ብፍልጠት ጐይታናን
መድሓኒናን የሱስ ክርስቶስ ደኣ ዕበዩ። ንእኡ ሕጅን ንመዓልቲ ዘለኣለምን ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።

# 1ይ መልእኽቲ ዮሓንስ

## ምዕራፍ 1

1 እቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ፡ ንሕና ዝሰማዕናዮ፡ እቲ በዒንትና ዝርኤናዮ፡ እቲ ዝጠመትናዮ፡
ኣእዳውናውን ዘረምሰሳኦ፡ ብዛዕባ እቲ ቓል ህይወት፡ 2 ህይወት ድማ ተገልጸት፡ ንታ ምስ ኣቦ ዝነበረት
ንኣና ኸኣ እተገልጸት ናይ ዘለኣለም ህይወት ርኢናያ ኢና እሞ፡ ንምስክር ንነግረኩምውን ኣሎና፡ 3
ንስኻትኩም ድማ ምሳና ሕብረት ምእንቲ ኺህልወኩም ኢልና፡ እቲ ዝርኤናዮን ዝሰማዕናዮን
ንዓኻትኩም ንነግር ኣሎና። ሕብረትናውን ምስ ኣቦን ምስ ወዱ የሱስ ክርስቶስን እዩ። 4 ሓጐስና ምእንቲ
ኪምላእ ኢልና፡ እዚ ንጽሕፈልኩም ኣሎና። 5 እግዚኣብሄር ብርሃን ምዃኑን ኣብኡ ኸኣ ሓንቲ እኳ
ጸልማት ከም ዜብሉን፡ እታ ኻብኡ ዝሰማዕናያ ንኣኻትኩምውን እንነግራ ዘሎና መልእኽቲ እዚኣ እያ። 6
ምስኡ ሕብረት ኣሎና፡ ኢልናስ ኣብ ጸልማት እንተ ተመላለስና፡ ንሕሱ፡ ሓቂውን ኣይንገብርን ኢና
ዘሎና። 7 ከምቲ ንሱ ኣብ ብርሃን ዘሎ፡ ኣብ ብርሃን እንተ ተመላለስና ግና፡ ንሓድሕድና ሕብረት ኣሎና፡
ደም የሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኵሉ ሓጢኣት የንጽሃና እዩ። 8 ሓጢኣት የብልናን፡ እንተ በልና፡
ንርእስና ንጥብራ ኣሎና፡ እታ ሓቂውን ኣባና የላን። 9 ሓጢኣትና እንተ ተናዘዝና፡ ንሓጢኣትና ይቕረ
ኪብለልና፡ ካብ ኵሉ ዓመጻውን ኬንጽሃና እሙንን ጻድቕን እዩ። 10 ሓጢኣት ኣይገበርናን፡ እንተ በልና፡
ሓሳዊ ንገብሮ፡ ቓሉውን ኣባና የሎን።

## ምዕራፍ 2

1 ኣቱም ደቀየ፡ ሓጢኣት ምእንቲ ኸይትገብሩ፡ እዚ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ሓደ እኳ ሓጢኣት ዝገበረ
እንተሎ፡ ጠበቓ ኣብ ኣቦ ኣሎና፡ ንሱ የሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ጻድቕ፡ እዩ። 2 ንሱ ድማ ብናይ ሓጢኣትና
መተዓረቒ እዩ፡ ብናይ ሓጢኣት ኵላ ዓለም ድማ እዩ እምበር፡ ብናይ ሓጢኣትና ጥራይ ኣይኰነን። 3
ንሕና ትእዛዛቱ እንተ ሐሎና፡ ከም እንፈልጦ በዚ ኢና እንፈልጥ። 4 ኣነ እፈልጦ እየ፡ ዚብል ንትእዛዛቱ
ኸኣ ዘይሕልዎ፡ ንሱ ሓሳዊ እዩ፡ እታ ሓቂውን ኣብኡ የላን። 5 እቲ ንቓሉ ዚሕሉ ግና ፍቕሪ ኣምላኽ
ብሓቂ ኣብኡ ትፍጸም። ኣብኡ ኸም ዘሎና፡ በዚ ኢና እንፈልጥ። 6 እቲ፡ ኣብኡ እነብር ኣሎኹ፡ ዚብል፡
ከምቲ ንሱ እተመላለሶ፡ ንሱውን ከምኡ ኰይኑ ኺመላለስ ይግብኦ እዩ። 7 ፍቁራተየ፡ እቲ ኻብ
መጀመርታ ዝነበረኩም ብሉይ ትእዛዝ እምበር፡ ሓድሽ ትእዛዝ ኣይኰነን ዝጽሕፈልኩም ዘሎኹ። እቲ
ብሉይ ትእዛዝ እዚ ዝሰማዕኩምዎ ቓል እዩ። 8 ከም ብሓድሽ ብእኡን ብኣኻትኩምን ሓቂ ዝኾነ ሓድሽ
ትእዛዝ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ጸልማት ሐሊፉ እዩ እሞ፡ እቲ ብርሃን ሓቂውን ድሮ እኳ የብርህ ኣሎ።
9 ኣብ ብርሃን ኣሎኹ፡ ዚብል፡ ንሓዉ ኸኣ ዚጸልእ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ጸልማት እዩ ዘሎ። 10 እቲ ንሓዉ
ዜፍቅሮ ኣብ ብርሃን እዩ ዚነብር፡ መዓንቀፊውን ኣብኡ የልቦን። 11 እቲ ንሓዉ ዚጸልእ ግና ኣብ ጸልማት
እዩ ዘሎ፡ ኣብ ጸልማትውን ይመላለስ፡ ጸልማት ነዒንቱ ስለ ዘዕወሮ ድማ፡ ናበይ ከም ዚኸይድ
ኣይፈልጥን እዩ። 12 ደቀየ፡ ሓጢኣትኩም ስለ ስሙ ተሐዲጉልኩም እዩ እሞ፡ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። 13
ኣቱም ኣቦታት፡ ነቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ ፈሊጥኩምዎ ኢኹም እሞ፡ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ኣቱም
ኣጕባዝ፡ ነቲ እኩይ ስዒርኩምዎ ኢኹም እሞ፡ እጽሕፈልኩም ኣሎኹ። ኣቱም ቈልዑ፡ ነቦ ስለ

ዝፈለጥኩምዎ፡ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ። 14 ኣቱም ኣቦታት፡ ነቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረ ፈሊጥኩምዎ
ኢኹም እሞ፡ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ። ኣቱም ኣጒባዝ፡ ብርቱዓት ስለ ዝኾንኩም ቃል ኣምላኽ
ኣባኻትኩም ይነብር ስለ ዘሎን፡ ነቲ እኩይውን ስዒርኩምዎ ኢኹም እሞ፡ ጽሒፈልኩም ኣሎኹ። 15
ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደ እኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ፡ ፍቕሪ ኣቦ የብሉን። 16
ኵሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ፡ ፍትወት ስጋን ፍትወት ኣዒንትን ንብረት ትዕቢትን፡ እዚ ኻብ ዓለም እዩ
እምበር፡ ካብ ኣቦስ ኣይኰነን። 17 ዓለም ትሓልፍ እያ፡ ፍትወታ ኸኣ፡ እቲ ንፍቓድ ኣምላኽ ዚገብር ግና
ንዘለኣለም ይነብር። 18 ደቀየ፡ እዚኣ እታ ዳሕረይቲ ሰዓት እያ። ከምቲ፡ እቲ ጸረ ክርስቶስ ከም ዚመጽእ፡
ዝሰማዕኩምዎ፡ ካብ ሕጂውን ብዙሓት ኣጽራር ክርስቶስ ተንሲኦም ኣለዉ። እዚኣ እታ ዳሕረይቲ ሰዓት
ምዃና በዚ ኢና እንፈልጥ። 19 ካባና ወጺኦም፡ ግናኸ ካባና ኣይነበሩን። ካባና ነይሮም እንተ ዚኾኑስ፡
ምሳና ጸኒዖም ምነበሩ ነይሮም። ግናኸ ኵላቶም ካባና ዘይምዃኖም ምእንቲ ኺገሃድ እዮም ዝወጹ። 20
ንስኻትኩም ድማ ቅብኣት ካብቲ ቅዱስ ኣሎኹም፡ ንዅሉውን ትፈልጥዎ ኢኹም። 21 ነታ ሓቂ
ትፈልጥዋ ስለ ዘሎኹም እየ ዝጸሓፍኩልኩም እምበር፡ ስለ ዘይትፈልጥዋስ ኣይኰንኩን፡ ኵሉ ሓሶትውን
ካብ ሓቂ ኣይኰነን። 22 እቲ ንየሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ዚኽሕዶ እንተ ዘይኰይኑኸ፡ መን እዩ እቲ
ሓሳዊ፧ እቲ ነቦን ወድን ዚኽሕዶም፡ ንሱ እዩ እቲ ጸረ ክርስቶስ። 23 ነቲ ወዲ ዚኽሕዶ ዘበለ ዅሉ፡ ንእኡ
እቲ ኣቦ የብሉን፡ ነቲ ወዲ እተኣመነ ግና፡ እቲ ኣቦ ኣለዎ። 24 ንስኻትኩምሲ፡ እቲ ኻብ መጀመርታ
ዝሰማዕኩምዎ ኣባኻትኩም ደኣ ይንበር። እቲ ኻብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ ኣባኻትኩምዎ ዚነብር
እንተ ኾይኑስ፡ ንስኻትኩም ድማ ኣብቲ ወድን ኣብቲ ኣቦን ክትነብሩ ኢኹም። 25 እታ ንሱ ዘተስፈወና
ተስፋ ኸኣ እታ ናይ ዘለኣለም ህይወት እያ። 26 ብዛዕባ እቶም ዜስሕቱኹም እየ እዚ ዝጸሓፍኩልኩም። 27
ንስኻትኩምሲ፡ ከምቲ ቕብኣት ብዛዕባ ዅሉ ዚምህረኩም ዘሎ፡ ሓቂውን እዩ፡ ሓሶት ኣይኰነን፡ እሞ
ኸምቲ ንሱ ዝመሃረኩም ኴንኩም፡ ኣብኡ ኽትነብሩ ኢኹም። እምብኣርከ እቲ ኻብኡ እተቐበልኩምዎ
ቕብኣት ኣባኻትኩም ይነብር ኣሎ እሞ፡ ሓደ እኳ ኺምህረኩም ኣየድልየኩምን እዩ። 28 ሕጂ ድማ፡
ደቀየ፡ ንሱ ኺግለጽ ከሎ፡ ትብዓት ምእንቲ ኽንረክብ፡ ብምጽኣቱውን ኣብ ቅድሚኡ ኸይንሓፍርስ፡
ብእኡ ንበሩ። 29 ንሱ ጻድቕ ምዃኑ ትፈልጡ እንተ ዄንኩምሲ፡ ጽድቂ ዚገብር ዘበለ ዅሉ ኻብኡ ኸም
እተወልደውን፡ ፍለጡ።

## ምዕራፍ 3

1 ርኣዩ፡ ውሉድ ኣምላኽ ክንብሃል፡ እቲ ኣቦ ኸመይ ዝበለ ፍቕሪ ሀበና፡ ከምኡውን ኢና። ስለዚ ኸኣ
ዓለም ንእኡ ኣይፈለጠቶን እሞ፡ ንኣና ኣይትፈልጠናን እያ። 2 ኣቱም ፍቁራተይ፡ ሕጂ ውሉድ ኣምላኽ
ኢና፡ እንታይ ከም እንኸውን ከኣ፡ ገና ኣይተገልጸን። ንሱ ምስ ዚግለጽ ግና፡ ከምታ ዘለዋ ኽንርእዮ ኢና
እሞ፡ ንእኡ ኸም እንመስል፡ ንፈልጥ ኣሎና። 3 እዛ ተስፋ እዚኣ ኣብኡ ዘላቶ ዘበለ ዅሉ፡ ከምታ ንሱ
ንጹህ ዝኾነ፡ ንርእሱ የንጽህ ኣሎ። 4 ነፍሲ ወከፍ ሓጢኣት ዚገብር፡ ምፍራስ ሕጊ እዩ ዚገብር።
ሓጢኣት ምፍራስ ሕጊ እዩ እሞ፡ 5 ንሱ ንሓጢኣት ኬርሕቕ ኢሉ ኸም እተገልጸ፡ ትፈልጡ ኢኹም።
ኣብኡውን ሓጢኣት የልቦን። 6 እቲ ኣብኡ ዚነብር ዘበለ ዅሉ፡ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ። ነፍሲ ወከፍ
ሓጢኣት ዚገብር ኣይረኣዮን ኣይፈልጦንውን። 7 ደቀየ፡ ሓደ እኳ ኣየስሕትኩም። ከምቲ ንሱ ጻድቕ
ዝኾነ፡ እቲ ጽድቂ ዚገብር ከኣ ጻድቕ እዩ። 8 ድያብሎስ ካብ መጀመርታ ሓጢኣት ይገብር እዩ እሞ፡
ሓጢኣት ዚገብር ካብ ድያብሎስ እዩ። ወዲ ኣምላኽ ከኣ ግብሪ ድያብሎስ ምእንቲ ኺፍርስ ኢሉ እዩ ነዚ

እተገልጸ። [9] ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ፡ ዘርኡ ኣብኡ ይነብር እዩ እሞ፡ ሓጢኣት ኣይገብርን እዩ። ካብ
ኣምላኽ ስለ እተወልደውን፡ ሓጢኣት ኪገብር ኣይኮነሉን እዩ። [10] ጽድቂ ዘይገብር ንሓዉ ዘየፍቅርን ካብ
ኣምላኽ ኣይኮነን፡ ውሉድ ኣምላኽን ውሉድ ድያብሎስን በዚ እዮም ዚግለጹ። [11] ንሓድሕድና ክንፋቐር፡
እዚኣ እታ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዋ መልእኽቲ እያ። [12] ከምቲ ኻብ እኩይ ዝነበረ፡ ንሓዉ ኸኣ
ዝቐተለ ቃየል ኣይንኹን። ስለ ምንታይከ እዩ ዝቐተሎ፧ ግብሩ እኩይ፡ ግብሪ ሓዉ ግና ሰናይ ስለ ዝነበረ
እዩ። [13] ኣሕዋተየ፡ ዓለም እንተ ጸልኣትኩም፡ ኣይትገረሙ። [14] ንሕና፡ ነሕዋት ነፍቅሮም ስለ ዝኾንና፡
ካብ ሞትሲ ናብ ህይወት ከም እተሳገርና፡ ንፈልጥ ኢሎና። እቲ ዘየፍቅር ግና ኣብ ሞት ይነብር። [15]
ንሓዉ ዚጸልእ ዘበለ ኵሉ ቐታል ነፍሲ እዩ። ቀታል ነፍሲ ዝኾነ ኵሉ ድማ ናይ ዘለኣለም ህይወት
ኣብኡ ኸም ዘይትነብር፡ ትፈልጡ ኢኹም። [16] ንሱ ንህይወቱ ኣብ ክንዳና ስለ ዘሕለፈ፡ በዚ ንፍቕሪ
ንፈልጣ ኣሎና። ንሕናውን ኣብ ክንዲ ኣሕዋት ህይወትና ከነሕልፍ ይግብኣና እዩ። [17] ግናኸ ዝኾነ
ይኹን ጥሪት እዛ ዓለም እዚኣ ዘለዎ እሞ ሓዉ ተሸጊሩ ኸሎ እናረኣዮስ ድንጋጹ ዚዐጽወሉ፡ ፍቕሪ
ኣምላኽ ከመይ ኢላ ኣብኡ ትነብር፧ [18] ኣቱም ደቀየ፡ ብግብርን ብሓቅን እምበር፡ ብቓልን ብልሳንን
ኣይንፋቐር። [19-20] ምንም እኳ ልብና እንተ ነቐፈና፡ ኣምላኽ ካብ ልብና ዚዐብን ኵሉ ዚፈልጥን ስለ
ዝኾነ፡ ንልብና ኣብ ቅድሚኡ ነህድኦ እሞ፡ ካብ ሓቂ ምዃንና በዚ ኢና እንፈልጥ። [21] ኣቱም
ፍቁራተይ፡ ልብና እንተ ዘይነቐፈና፡ ኣብ ኣምላኽ ትብዓት ኣሎና። [22] ንትእዛዛቱ እንሕሉን ኣብ ቅድሚኡ
ባህ ዜብሎ እንገብርን ስለ ዝኾንና፡ ነቲ እንልምኖ ዘበለ ኻብኡ ንቕበል ኢና። [23] ከምቲ ንሱ ዝሀበና
ትእዛዝ ጌርና፡ ብስም ወዱ የሱስ ክርስቶስ ክንኣምን ንሓድሕድናውን ክንፋቐር፡ ትእዛዙ እዚ እዩ። [24]
እቲ ትእዛዛቱ ዚሕሉ ድማ ኣብኡ ይነብር፡ ንሱውን ኣብኡ ይነብር። ንሱ ኣባና ኸም ዚነብር ከኣ፡ ንሕና
በቲ ዝሀበና መንፈስ ንፈልጥ ኢና።

## ምዕራፍ 4

[1] ኣቱም ፍቁራተይ፡ ብዙሓት ነብያት ሓሶት ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለዉ እሞ፡ እቶም መናፍስቲ ኻብ
ኣምላኽ እንተ ዂይኖም መርምሩ እምበር፡ ንመንፈስ ዘበለ ኵሉ ኣይትእመንዎ። [2] ንመንፈስ ኣምላኽ በዚ
ኢኹም እትፈልጥዎ፡ የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዚእመን ዘበለ ኵሉ መንፈስ ካብ ኣምላኽ እዩ፡ [3]
የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዘይእመን ዘበለ ኵሉ መንፈስ ድማ ካብ ኣምላኽ ኣይኮነን። እዚ ኸኣ
እቲ ኸም ዚመጽእ ሰሚዕኩምዎ ዘሎኹም ናይ ጻረ ክርስቶስ መንፈስ እዩ፡ ሕጂውን ድሮ ኣብ ዓለም
ኣሎ። [4] ኣቱም ደቀየ፡ ንስኻትኩም ካብ ኣምላኽ ኢኹም፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዘሎስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ
ዚዐቢ ስለ ዝኾነ፡ ንስኻትኩም ስዒርኩምዎም ኣሎኹም። [5] ንሳቶምሲ ኻብ ዓለም እዮም፡ ስለዚ ኻብ
ዓለም ይዛረቡ ኣለዉ፡ ዓለምውን ትሰምዖም ኣላ። [6] ንሕና ኻብ ኣምላኽ ኢና፡ ንኣምላኽ ዚፈልጥ
ይሰምዓና፡ እቲ ኻብ ኣምላኽ ዘይኮነ ኣይሰምዓናን እዩ። ንመንፈስ ሓቅን ንመንፈስ ስሕተትን ከኣ በዚ
ኢና እንፈልጦ። [7] ኣቱም ፍቁራተይ፡ ፍቕሪ ኻብ ኣምላኽ እያ እሞ፡ ንሓድሕድና ንፋቐር። ዜፍቅር ዘበለ
ኵሉ ኻብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ፡ ንኣምላኽውን ይፈልጦ እዩ። [8] ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እሞ፡ እቲ ዘየፍቅር
ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ። [9] ኣምላኽ፡ ብእኡ ምእንቲ ብህይወት ክንነብር ኢሉ፡ ነቲ ሓደ ወዱ ናብ
ዓለም ብምልኣኹ፡ እታ ፍቕሪ ኣምላኽ ንኣና በዚ ተገልጸትልና። [10] ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና፡ ብናይ
ሓጢኣትና መተዓረቒ ኪኸውን ኢሉ ድማ ወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር፡ ንሕና ንኣምላኽ ስለ
ዘፍቀርናዮ ኣይኮነን፡ እታ ፍቕሪ በዚ እያ። [11] ኣቱም ፍቁራተይ፡ ኣምላኽ ከምዚ ገይሩ ኻብ ኣፍቀረናስ፡

ንሕናውን ንሓድሕድና ኽንፋቐር ይግብኣና እዩ። 12 ሓደ እኳ ንኣምላኽ ዝረአዮ ከቶ የልቦን፡ ንሓድሕድና
እንተ ተፋቐርና፡ ኣምላኽ ኣባና ይነብር፡ ፍቕሩውን ኣባና ትፍጸም። 13 ካብ መንፈሱ ስለ ዝሀበና፡ ንሕና
ኣብኡ ኸም እንነብር ንሱውን ኣባና ኸም ዚነብር፡ በዚ ኢና እንፈልጥ። 14 እቲ ኣቦ ንወዱ ምድሓን ዓለም
ኪኸውን ከም ዝለኣኾ፡ ንሕና ርኢና ንምስክርውን ኣሎና። 15 የሱስ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ ዚእመን፡
ኣምላኽ ኣብኡ ይነብር፡ ንሱውን ኣብ ኣምላኽ ይነብር። 16 ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ
ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኣሎና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡
ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር። 17 ከምቲ ንሱ ዘለዎ፡ ከምእውን ንሕና ኣብዛ ዓለም እዚኣ ኢና ዘሎና እሞ፡
ብመዓልቲ ፍርድስ ትብዓት ምእንቲ ኺህልወና፡ በዚ እታ ፍቕሪ ኣባና ተፈጸመት። 18 ፍርሃትሲ ስቓይ
እያ እተምጽእ፡ እቲ ዚፈርህ ከኣ ብፍቕሪ ፍጹም ኣይኰነን፡ እታ ፍጽምቲ ፍቕሪ ንፍርሃት ተባርራ ደኣ
እምበር፡ ኣብታ ፍቕርስ ፍርሃት የልቦን። 19 ንሱ ቅድም ኣፍቂሩና እዩ እሞ፡ ንሕናውን ነፍቅር ኢና። 20
ነቲ ዝረኣዮ ሓዉ ዘየፍቅሮስ፡ ነቲ ዘይረኣዮ ኣምላኽ ኬፍቅሮ ኣይከኣሎን እዩ እሞ፡ ንሓዉ እናጸልኣስ፡
ንኣምላኽ ኤፍቅሮ እየ፡ ዚብል እንተሎ፡ ንሱ ሓሳዊ እዩ። 21 እቲ ንኣምላኽ ዜፍቅሮ ንሓዉ ድማ የፍቅሮ
ደኣ፡ እዚ ትእዛዝ እዚ እዩ ኻብኡ እተቐበልናዮ።

## ምዕራፍ 5

1 ንየሱስ፡ ንሱ ክርስቶስ ምዃኑ ዚኣምን ዘበለ ዅሉ ኻብ ኣምላኽ እተወልደ እዩ፡ ንወላዲ ዜፍቅሮ ዅሉ
ኸኣ፡ ነቲ ኻብኡ እተወልደውን የፍቅሮ። 2 ንኣምላኽ ምስ እነፍቅሮ ትእዛዛቱውን ምስ እንሕሉ፡ ነቶም
ውሉድ ኣምላኽ ከም እነፍቅሮም፡ በዚ ኢና እንፈልጥ። 3 ፍቕሪ ንኣምላኽ ከኣ ትእዛዛቱ ኽንሕሉ እዩ
እሞ፡ ትእዛዛቱውን ኣይከቢድን እዩ። 4 ካብ ኣምላኽ እተወልደ ዘበለ ዅሉ ንዓለም ይስዕራ፡ እታ ንዓለም
እንስዕረላ ስዕረት ከኣ፡ ንሳ እምነትና እያ። 5 ንዓለም ዚስዕራኸ፡ እቲ ንየሱስ፡ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ
ዚኣምኖ እንተ ዘይኰይኑስ፡ መን እዩ፧ 6 እቲ ብማይን ብደምን ዝመጸ እዚ እዩ፡ ማለት፡ የሱስ ክርስቶስ፡
ብማይን ብደምን እምበር፡ ብማይ ጥራይ ኣይኰነን ዝመጸ። 7 እቲ መንፈስውን ሓቂ እዩ እሞ፡ እቲ
መንፈስ እዩ ዚምስክር ዘሎ። 8 እቶም ዚምስክሩ ኸኣ መንፈስን ማይን ደምን፡ ሰለስተ እዮም እሞ፡
ሰለስቲኦም ሓደ እዮም። 9 እቲ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር፡ እዚ እቲ ምስክር ኣምላኽ እዩ እሞ፡
ምስክር ሰብ እንቕበል እንተ ዄንናስ፡ ምስክር ኣምላኽ ካብኡ ይበልጽ እዩ። 10 ብወዲ ኣምላኽ ዚኣምን፡
እቲ ምስክር ኣብ ውሽጡ ኣለዎ። እቲ ንኣምላኽ ዘይኣምን፡ ነቲ ኣምላኽ ብዛዕባ ወዱ ዝመስከሮ ምስክር
ስለ ዘይኣመኖ፡ ንእኡ ሓሳዊ ገይርዎ ኣሎ። 11 ኣምላኽ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም ዝሀበና፡ እቲ ምስክር
እዚ እዩ እሞ እዛ ህይወት እዚኣ ኣብ ወዱ ኣላ። 12 እቲ ወዲ ዘለዎ ህይወት ኣላቶ፡ ወዲ ኣምላኽ ዜብሉ
ህይወት የብሉን። 13 ንኣካትኩም ብስም ወዲ ኣምላኽ እትኣምኑ ዘሎኹም፡ ናይ ዘለኣለም ህይወት ከም
ዘላትኩም ምእንቲ ኽትፈልጡ ኢለ እየ እዚ ጽሒፈልኩም ዘሎኹ። 14 ከምቲ ፍቓዱ ጌርና ሓደ ነገር
እንተ ለመንናዮ፡ ይሰምዓና እዩ፡ እቲ ኣብኡ ዘሎና ትብዓት ድማ እዚ እዩ። 15 ነቲ ዝለመንናዮ ዘበለ ኸም
ዚሰምዓና ኻብ እንፈልጥ ድማ፡ እቲ ካብኡ ዝለመንናዮ ልማኖ ድሮ ኸም ዝረኸብናዮ፡ ንፈልጥ ኢና። 16
ሓደ፡ ንሓዉ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ሓጢኣት ኪገብር እንተ ረኣዮ፡ ይለምን፡ ኣምላኽውን ነቶም ናብ ሞት
ዘየብጽሕ ሓጢኣት ዝገበሩስ ህይወት ኪህቦም እዩ። ናብ ሞት ዜብጽሕ ሓጢኣት ኣሎ፡ ብዛዕባዚ
ኣይኰንኩን ይለምን ዝብል ዘሎኹ። 17 ዓመጻ ዘበለ ዅሉ ሓጢኣት እዩ፡ ናብ ሞት ዘየብጽሕ ሓጢኣት
ኣሎ። 18 እቲ ኻብ ኣምላኽ እትወልደ ዘበለ ርእሱ ይሕሉ፡ እቲ እኩይውን ኣይትንክዮን እዩ ፡ እቲ ኻብ

ኣምላኽ እተወልደስ፡ ሓጢኣት ከም ዘይገብር፡ ንፈልጥ ኢና። [19] ካብ ኣምላኽ ምኻንና፡ ብዘላ ዓለምውን በቲ እኩይ ተትሒዛ ምህላዋ ንፈልጥ ኢና። [20] ግናኸ እቲ ወዲ ኣምላኽ መጺኡስ ነቲ ብዓል ሓቂ ኽንፈልጦ ኢሉ ኣእምሮ ኸም ዝሀበና፡ ንፈልጥ ኢና፡ ንሕና ኣብቲ ብዓል ሓቂ፡ ኣብ ወዱ የሱስ ክርስቶስ ኢና ዘሎና። እዚ እቲ ናይ ሓቂ ኣምላኽን ናይ ዘለኣለም ህይወትን እዩ። [21] ኣቱም ደቀየ፡ ካብ ጣኦታት ተሐለዉ።

# 2ይ መልእኽቲ ዮሐንስ

## ምዕራፍ 1

1 ካብቲ ሽማግለ ናብታ ሕርይቲ እምቤተይን ናብቶም ኣነ ብሓቂ ዘፍቅሮም ደቃን፡ ኣነ በይነይ
ዘይኰንኩስ፡ እቶም ነታ ሓቂ ዚፈልጥዋ ዘበሉ ዅላቶም ድማ ዜፍቅርዎም፡ 2 ስለ እታ ኣባና ዘላ
ንዘለኣለም ከኣ ምሳና እትነብር ሓቂ ኢልና እነፍቅሮም ዘሎና። 3 ካብ እግዚኣብሄር ኣቦናን ካብ የሱስ
ክርስቶስ ወዱ ነቦን ጸጋን ምሕረትን ሰላምን ብሓቅን ብፍቕርን ምሳና ኪኸውን እዩ። 4 ሓያሎ ኻብ
ደቅኺ ኸምቲ ኻብ ኣቦ እተቐበልናዮ ትእዛዝ ኰይኖም፡ ብሓቂ ዚመላለሱ ስለ ዝረኸብኩ፡ ብዙሕ
እሕጕስ ኣሎኹ። 5 ሕጂ ድማ፡ እምቤተይ፡ እቲ ኻብ መጀመርታ ዝነበረና እምበር፡ ሓድሽ ትእዛዝ ከም
ዝጸሐፍኩልኪ ዘይኰነስ፡ ንሓድሕድና ኽንፋቐር እልምነኪ ኣሎኹ። 6 ከምቲ ትእዛዛቱ ጌርና ኽንመላለስ፡
እታ ፍቕሪ እዚኣ እያ። ብእኣ ኽትመላለሱ፡ ከምቲ ኻብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ፡ እቲ ትእዛዝ እቲ እዚ
እዩ። 7 የሱስ ክርስቶስ ብስጋ ኸም ዝመጸ ዘይእመኑ ብዙሓት ምስሓትቲ ናብ ዓለም ወጺኦም ኣለዉ።
እቲ መስሓትን እቲ ጸረ ክርስቶስን እዚ እዩ። 8 ምሉእ ዓስቢ ኽትቅበሉ እምበር፡ ነቲ ዝጸዐርናሉ ምእንቲ
ኸይተጥፍእዎ፡ ርእስኹም ሐልዉ። 9 እቲ ጐቦ ዚዘብል፡ ብምህሮ ክርስቶስውን ዘይጸንዕሲ፡ ኣምላኽ
የብሉን። እቲ ኣብቲ ምህሮ ዚጸንዕ፡ ንሱ ኣቦን ወድን ኣለውዎ። 10 ዝኾነ ይኹን ናባኻትኩም እንተ መጸ
እሞ ነዚ ምህሮ እዚ እንተ ዘይምጽኤ፡ ኣብ ቤትኩም ኣይትቀበልዎ፡ ሰላምውን ኣይትበልዎ። 11 እቲ ሰላም
ዚብሎስ ኣብቲ እኩይ ግብሩ ሐቢርዎ እዩ። 12 ናባኻትኩም ዝጽሕፎ ብዙሕ ነገር ነይሩኒ ኽነሱ፡
ብወረቐትን ብቐለምን ክጽሕፎ ኣይፈቶኹን። ግናኸ ሐጐሰይ ምእንቲ ኺምላእሲ፡ ናባኻትኩም ክመጽእ
እሞ ኣፍ ንኣፍ ክዛረበኩም፡ ተስፋ እገብር ኣሎኹ። 13 ደቂ እታ ሕርይቲ ሓብትኺ ሰላም ይብሉኺ
ኣለዉ።

# 3ይ መልእኽቲ ዮሐንስ

## ምዕራፍ 1

1 ካብቲ ሽማግለ ናብቲ ፍቁር፡ ኣነ ብሓቂ ዘፍቅሮ ጋይዮስ። 2 ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዐየት፡
ብዅሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ ኣሎኹ። 3 ንስኻ በታ ሓቂ ትመላለስ ከም ዘሎኻ፡ ኣሕዋት
መጺኦም ስለ እታ ኣባኻ ዘላ ሓቂ ብምምስካሮም ብዙሕ ተሐጒሰኩ። 4 ኣነ እቶም ደቀይ ብሓቂ ኸም
ዚመላለሱ ኻብ ምስማዕ ዚዐቢ ሓጐስ የብለይን። 5 ኣታ ፍቁረይ፡ እቲ ነቶም ኣሕዋትን ኣጋይሽን
እትገብሮ ዘሎኻ ዘበለ ተኣሚንካ ትገብሮ ኣሎኻ። 6 እዚኣቶም ብናይ ፍቅርኻ ኣብ ቅድሚ ማሕበር
መስኪሮም ኣለዉ። ንኣምላኽ ከም ዚበቅዕ ጌርካ ንመገዶም እንተ ኣፋኖኻዮም ድማ፡ ሰናይ ትገብር
ኣሎኻ። 7 ንሳቶም ካብቶም ኣህዛብ ሓንቲ እኳ ኸይወሰዱ ምእንቲ እቲ ስም እቲ እዮም ዝወጹ። 8
እምብኣርስኸ፡ ነታ ሓቂ መዓይይታ ምእንቲ ኽንከውን፡ ንሕና ነዞም ከምዚኣቶም ዝበሉ ኽንቅበሎም
ይግብኣና እዩ። 9 ኣነ ናብታ ማሕበር ሓደ ነገር ጽሒፈ ኣሎኹ፡ እቲ ኣውራኦም ኪኸውን ዚደሊ
ድዮትሬፌስ ግና ኣይቅበለናን እዩ። 10 ስለዚ፡ እንተ መጺአኩ፡ ኣነ ነቲ ንሱ ብእኩይ ዘረባ እናጸረፈና
ዚገብሮ ዘሎ ግብሪ ኸዘክሮ እየ። በዚ ድማ ምእካል ኣብይዎስ፡ ባዕሉ ነቶም ኣሕዋት ኣይቕበሎምን፡
ነቶም ኪቕበልዎም ዚደልዩ ኸኣ ይኽልክሎም ካብ ማሕበርውን የውጽኦም ኣሎ። 11 ኣታ ፍቁረይ፡ ነቲ
ሰናይ ደኣ እምበር፡ ነቲ እኩይሲ ኣይትቃጸጾ። እቲ ሰናይ ዚገብር ካብ ኣምላኽ እዩ፡ እቲ እኩይ ዚገብር
ንኣምላኽ ኣይረኣዮን። 12 ንድሜጥሮስ ኵላቶም ይምስክሩሉ ኣለዉ፡ እታ ሓቂ ባዕላ ድማ ትምስክረሉ
ኣላ። ንሕናውን ንምስክረሉ ኣሎና፡ ምስክርና ሓቂ ምዃና ድማ ንስኻ ትፈልጥ ኢኻ። 13-14 ቀልጢፈ
ኽርእየካ ተስፋ እገብር ኣሎኹ፡ ሽዑ ኣፍ ንኣፍ ክንዛራረብ ኢና እምበር፡ ብዙሕ ዝጽሕፈልካ ነይሩኒ፡
ግናኸ ብቐለምን ብርዕን ክጽሕፈልካ ኣይፈቶኹን። 15 ሰላም ምሳኻ ይኹን። እቶም ፍቁራትና ሰላም
ይብሉኻ ኣለዉ። ነቶም ፍቁራትና በብስሞም ሰላም በሎም።

# መልእኽቲ ይሁዳ

## ምዕራፍ 1

1 ይሁዳ ባርያ የሱስ ክርስቶስ ሓዉ ያእቆብን፡ ናብቶም ጽውዓት፡ ብእግዚኣብሄር ኣቦና ፍቁራትን ንየሱስ
ክርስቶስ እተሓለዉን፡ 2 ምሕረትን ሰላምን ፍቕርን ይብዛሕኩም። 3 ኣቱም ፍቁራተይ፡ ብዛዕባ ሕብረት
ምድሓንና ብኹሉ ቕንኣት ክጽሕፈልኩም ምስ ደሌኹ፡ በታ ሓንሳእ ንቕዱሳት እተዋህበት እምነት
ክትጋደሉ ጽሒፈ ኽመኽረኩም፡ ናይ ግዲ ኰነኒ። 4 ገለ ሰባት ካብ ቀደም ነዚ ፍርዲ እዚ እተጻሕፉ፡
ፍርሃት ኣምላኽ ዜብሎም፡ ነቲ ጸጋ ኣምላኽና ናብ ርኽሰት ዚልውጥዎ፡ ነቲ ሓደ በይኑ ገዛእን ጐይታናን
የሱስ ክርስቶስ ዚኽሕድዎ፡ ስሉኽ ኢሎም ኣትዮምኹም ኣለዉ። 5 ግናኸ ሓደ ጊዜ እኳ ንኹሉ
ፈሊጥኩምዎ ኽነስኹምሲ፡ ጐይታ ንህዝቡ ኻብ ምድሪ ግብጺ ኣድሒኑ፡ ደሓር ነቶም ዘይኣመኑ ኸም
ዘጥፍኦም፡ ከዘክረኩም እደሊ ኣሎኹ። 6 ነቶም ሰፈሮም ዝሐደጉ እምበር፡ መዓርጎም ዘይሐለዉ
መላእኽቲ እኳ ብናይ ዘለኣለም መቓውሕ ደኣ ትሕቲ ጸልማት ነቲ ፍርዲ እታ ዓባይ መዓልቲ ዐቝርዎም
ኣሎ። 7 ከምኡውን ሶዶምን ጎሞራን እተን ኣብ ከባቢኤን ዝነበራ ኸተማታትን፡ ከተማታቶም ብመገዶም
ዝመንዘራ ደድሕሪ ስጋ ጓናውን ዝሰዐባ፡ በቲ ዝወረደን ቕጽዓት ናይ ዘለኣለም ሓዊ ንመሰከሒ ኰይነን
ኣለዋ። 8 ምስናይዚ ኸኣ እዚኣቶም ከምኡ ገይሮም ብሕልሞም ንስጋኦም የርክስዎ፡ ንጕይትነት የቃልሉ፡
ንመዓርጋት ክብሪውን ይጸርፉ ኣለዉ። 9 ሚካኤል፡ እቲ ሊቀ መላእኽቲ፡ ግና ብዛዕባ ስጋ ሙሴ ምስ
ድያብሎስ እናተኻራኸረ ምስ ተማጐተ፡ እግዚኣብሄር ይግናሕካ፡ ደኣ በሎ እምበር፡ ፍርዲ ጸርፊ
ኺዛረብ ኣይደፈረን። 10 እዚኣቶም ግና ነቲ ዘይፈልጥዎ ይጸርፍዎ፡ በቲ ብባህርዮም ከምቶም ኣእምሮ
ዜብሎም እንስሳታት ገይሮም ዚፈልጥዎ ብእኡ ነታ ርእሶም የጥፍእዋ ኣለዉ። 11 ብመገዲ ቃየል ስለ
ዝኸዱ፡ ምእንቲ ዓስቢ ብስሕተት ባላዓም ጸደፉ፡ ብዕልወት ቆራ ኸኣ ጠፊኦም እዮም እሞ፡ ወይለኦም።
12 እዚኣቶም ብዘይ ፍርሃት ምሳኻትኩም እናበልዑ ንርእሶም ዚጓስዩ፡ ኣብቲ ናይ ፍቕሪ መኣድኹም
ጻያቒቶ እዮም፡ ንፋስ ንየው ነጀው ዚደፍኦ፡ ማይ ዜብሉ ደበና፡ ዘይፈርያ፡ ክልተ ሳዕ ዝሞታ፡ ካብ ሱረን
እተመንቈሳ ኣእዋም ሓጋይ፡ 13 ነቲ ነውሪ ርእሶም ዜዕፍርዎ ብርቱዓት ማዕበል ባሕሪ፡ ብርግርግ ዚብሉ
ኸዋኽብቲ እዮም፡ ነዚኣቶም ግብ ዝበለ ጸልማት ንዘለኣለም ተዐቝሩሎም ኣሎ። 14-15 ሄኖክ፡ እቲ
ሳብዓይ ካብ ኣዳም፡ ነዚኣቶም፡ እንሆ፡ ጐይታ ንኹላቶም ኪፈርዶም ኢሉ ምስ ኣእላፋት ቅዱሳቱ
መጺኡ ኣሎ፡ ነቶም ፍርሃት እግዚኣብሄር ዜብሎም ኲላቶም ድማ ብዛዕባ እቲ ዝገበርዎ ኹሉ እኩይ
ግብርን ብዛዕባ እቲ ሓጥኣንን ገፋዕትን ብዛዕብኡ እተዛረብዎ ዘበለ ኹሉ ዘረባ ድርቅናን ኪቐጽዖም እዩ፡
ኢሉ ተነበየሎም። 16 እዚኣቶም መዕዘምዘምቲ፡ ንዕድሎም ዚነቕፉ፡ ከም ፍትወቶም ዚመላለሱ እዮም።
ኣፎም ቃል ትዕቢት ይዛረብ፡ ምእንቲ ጥቕሚ ርእሶም ከኣ ንገጽ ሰብ ይንእዱ። 17-18 ንስኻትኩም ግና፡
ኣቱም ፍቁራተይ፡ ነቲ እቶም ሃዋርያት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ፡ ኣብቲ ዳሕራይ ዘመን ብእኩይ
ፍትወቶም ዚመላለሱ፡ መላገጽቲ ኺትንስኡ እዮም፡ ኢሎም ቅድም ዝነገሩኹም ቃላት ዘክርዎ። 19
እዚኣቶም ምፍልላይ ዜምጽኡ፡ መንፈስ ዜብሎም ስጋውያን እዮም። 20 ንስኻትኩም ግና፡ ኣቱም
ፍቁራተይ፡ በታ ኻብ ኵሉ እተቐደሰት እምነትኩም ንርእስኹም እናሀነጽኩም፡ ብመንፈስ ቅዱስውን
እናጸሌኹም፡ 21 ነቲ ናብ ህይወት ዘለኣለም ዜብጽሕ ምሕረት ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እናተጸቤኹምሲ፡
ንርእስኹም ብፍቕሪ ኣምላኽ ሐልውዋ። 22 ንገሊኦም፡ ነቶም ዚጣራጠሩ፡ ኣረድእዎም። 23 ንገሊኦም ካብ

ሓዊ መንጢልኩም ኣናግፍዎም፡ ንገሊኦም ድማ፡ ነቲ ብስጋ ዝረኸሰ ኽዳን እኳ እናጸላእኩም፡ ብፍርሃት ደንግጹሎም። [24] ነቲ ኻብ ውድቀት ዘበለ ኺሕልወኩም፡ ብሓጐስውን ብዘይ ነውሪ ኣብ ቅድሚ ኽብሩ ኬቝመኩም ዚከኣሎ፡ [25] ነቲ ብየሱስ ክርስቶስ፡ ጐይታና፡ በይኑ መድሓኒና ዝኾነ ኣምላኽ ቅድሚ ዅሉ ዘመናትን ሕጂን ንዅሉ ዘለኣለም ክብሪ፡ ግርማ፡ ሓይሊ፡ ስልጣን ይኹኖ። ኣሜን።

# *ራእይ ዮሐንስ*

## ምዕራፍ 1

1 እቲ ቐልጢፉ ኺኽውን ዘለዎ፡ ንባሮቱ ምእንቲ ኼርእዮም ኢሉ፡ ኣምላኽ ዝሀቦ ናይ የሱስ ክርስቶስ
ራእይ፡ ብኢድ መልኣኹ ልኢኹውን ንባርያኡ ዮሃንስ ኣርአዮ። 2 ንሱ ንቓል ኣምላኽን ንምስክር የሱስ
ክርስቶስን፡ ነቲ ዝረአዮ ዘበለ ኹሉ መስኪሩ ኣሎ። 3 እቲ ዘመን ቀረባ እዩ እሞ፡ እቲ ነዚ ቓል ትንቢት
እዚ ዜንብብን እቶም ዚሰምዕዎን፡ ነቲ ኣብኡ ተጽሒፉ ዘሎውን ዚሕልውዎን ብጹኣን እዮም። 4-5
ዮሃንስ ነተን ኣብ እስያ ዘለዋ ሾብዓተ ማሕበራት፡ ካብቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን፡ ካብቶም ኣብ
ቅድሚ ዝፋኑ ዘለዉ ሾብዓተ መናፍስትን ካብቲ እሙን ምስክርን በዅሪ ምዉታትን ርእሲ ነገስታት
ምድሪ ዝዀነ የሱስ ክርስቶስ ከኣ ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን። ንእኡ፡ ነቲ ዜፍቅረና ዘሎ፡ ካብ
ሓጢኣትናውን ብደሙ ዝሐጸበና፡ 6 ንእግዚኣብሄር ኣቦኡ መንግስትን ካህናትን ክንኰኖ ዝገበረና፡ ክብርን
ስልጣንን ንዘለኣለመ ኣለም ንእኡ ይኹን። ኣሜን። 7 እንሆ፡ ብደበና ይመጽእ ኣሎ፡ ኵለን ኣዒንትን
እቶም ዝወግእዎን ከኣ ኪርእይዎ እዮም፡ ብዘለዉ ዓሌታት ምድሪውን ኪበኽዩሉ እዮም። እወ፡ ኣሜን።
8 ኣልፋን ኦሜጋን ኣነ እየ፡ ይብል እቲ ዘሎን ዝነበረን ዚመጽእን ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽ። 9
ኣነ ዮሃንስ ሓውኩምን ኣብቲ ኣብ የሱስ ዘሎ ጸበባን መንግስትን ትዕግስትን መማቕልትኹምን፡ ምእንቲ
ቓል ኣምላኽን ምእንቲ ምስክር የሱስን ኣብታ ጳጥሞስ እትብሀል ደሴት ነበርኩ። 10-11 ብመዓልቲ ጐይታ
ብመንፈስ ኰንኩ፡ ብድሕረይ ከኣ፡ ነዚ እትርእዮ ዘሎኻ፡ ኣብ መጽሓፍ ጽሒፍካ፡ ናብተን ኣብ ኤፌሶንን
ስሚርናን ጴርጋሞስን ትያቲራን ሳርዴስን ፊላደልፍያን ሎዲቅያን ዘለዋ ሾብዓተ ማሕበራት ስደዶ፡
ዚብል ከም ናይ መለኸት ዝበለ ብርቱዕ ድምጺ ሰማዕኩ። 12 ነቲ ዚዛረበኒ ዘሎ ድምጺ ኽርኢ ኸኣ ግልጽ
በልኩ። ግልጽ ምስ በልኩውን፡ ሾብዓተ ቐወምቲ ቐንዴል ወርቂ ርኤኹ። 13 ኣብ ማእከል እቶም ሾብዓተ
ቐወምቲ ቐንዴል ከኣ፡ ክሳዕ እግሩ እተኸድነ ብቕናት ወርቂውን ክሳዕ ኣፍ ልቡ እተዐጥቀ ወዲ ሰብ
ዚመስል ርኤኹ። 14 ርእሱን ጸጕሩን ጻዕዳ ኸም ጸምሪ ጻዕዳውን ከም ኣስሓይታ እዩ፡ ኣዒንቱውን ከም
ሃልሃልታ ሓዊ እየን፡ 15 ኣእጋሩ ኣብ ሓጕዶ ኸም ዝረሰነ ዜንጸባርቕ ኣስራዚ ሊባኖስ ይመስላ፡
ድምጹውን ከም ደሃይ ብዙሕ ማያት እዩ። 16 ኣብ የማናይ ኢዱ ሾብዓተ ኸዋኽብቲ ኣለውዎ፡ ካብ
ኣፉውን ክልተ ዝኣፉ በሊሕ ሰይፊ ይወጽእ፡ ትርኢቱውን ከምታ ብሓይሊ እትብርህ ጸሓይ እዩ። 17-18
ምስ ርኤኽዎ ድማ፡ ከም ምዉት ኰይነ ኣብ ኣእጋሩ ወደቕኩ። ንሱ የማናይ ኢዱ ኣንበረለይ፡ ከምዚ
እናበለ፡ ኣነ እቲ ቐዳማይን እቲ ዳሕራይን እቲ ህያውን እየ እሞ፡ ኣይትፍራህ። ሞይተውን ነበርኩ፡ እንሆ
ኸኣ፡ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው እየ፡ መርሖ ሞትን ሲኦልን ከኣ ኣሎኒ። 19 እምብኣርሲ ነቲ ዝርኤኻዮን ነዚ
ዘሎን ነቲ ድሕርዚ ዚኸውንን ጽሐፎ። 20 ምስጢር እቶም ኣብ የማናይ ኢደይ ዝርኤኻዮም ሾብዓተ
ኸዋኽብትን ናይተን ሾብዓተ ቐወምቲ ቐንዴል ወርቅን፡ እቶም ሾብዓተ ኸዋኽብቲ እቲኣቶም መላእኽቲ
እተን ሸብዓተ ማሕበራት እዮም፡ እተን ሾብዓተ ቐወምቲ ቐንዴልውን ሾብዓተ ማሕበራት እየን።

## ምዕራፍ 2

1 ናብ መልኣኽ ማሕበር ኤፌሶን ጽሐፍ፡ እቲ ኣብ የማናይ ኢዱ ሾብዓተ ኸዋኽብቲ ዝሐዘ፡ ኣብ ማእከል

እተን ሾብዓተ ቐወምቲ ቐንዴል ወርቂውን ዚመላለስ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 2 ግብርኻን ጻዕርኻን ትዕግስትኻን፡ ነቶም እኩያት ሰባትውን ክትጾሮም ከም ዘይከኣልካን፡ ነቶም ሃዋርያት ኢና ዚብሉ እሞ ዘይኰኑ፡ ተዐዚብካዮምሲ ሓሰውቲ ኰይኖም ከም ዝረኸብካዮምን፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 3 ትዕግስቲ ኸኣ ኣሎካ፡ ስለ ስመይ ኢልካውን ተጻወርካ፡ ኣይሰልኬኻን። 4 ግናኸ ነታ ቐዳመይቲ ፍቕርኻ ሐዲግካያ ኢኻ ኣሞ እዚ ረኺበልካ ኣሎኹ። 5 እምብኣርሲ ኻበይ ከም ዝወደቕካ ዘክር እሞ ተነሳሕ፡ ነቲ ቐዳማይ ግብሪውን ግበሮ። እንተ ዘይኰነስ ክመጸካ፡ እንተ ዘይተነሳሕካውን፡ ነቲ ቐዋሚ ቐንዴልካ ኻብቲ ስፍራኡ ኸዝብሎ እየ። 6 ግናኸ ነቲ ኣነውን ዝጸልኦ ዘሎኹ ግብሪ ኒቆላውያን ንስኻ ትጸልኦ ኢኻ እሞ እዚ ግዳ ኣሎካ። 7 እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። ነቲ ዚስዕር ካብታ ኣብ ገነት ኣምላኽ ዘላ ኦም ህይወት ኪበልዕ ክህቦ እየ። 8 ናብ መልኣኽ ማሕበር ስሚርናውን ጽሐፍ፡ እቲ ቐዳማይን ዳሕራይን፡ ሞይቱ ዝነበረን ህያው ዝኾነን ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 9 ጸበባኻን ድኽነትካን ፦ ግናኸ ሃብታም ኢኻ ፦ ጸርፊ እቶም ኣይሁድ ኢና ዚብሉን ፦ ግናኸ ማሕበር ሰይጣን እዮም እምበር፡ ኣይሁድስ ዘይኰኑ ፦ እፈልጥ ኣሎኹ። 10 እንሆ፡ ምእንቲ ኽትፍተኑስ፡ ድያብሎስ ንገሌኻትኩም ናብ ቤት ማእሰርቲ ኪድርብዮም እዩ፡ ዓሰርተ መዓልቲውን ጸበባ ኺረኽበኩም እዩ እሞ፡ ነቲ ዚመጸካ መከራ ኣይትፍርሀዮ። ክሳዕ ሞት እሙን ኩን፡ ኣነውን ኣኽሊል ህይወት ክህበካ እየ። 11 እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። እቲ ዚስዕር በቲ ኻልኣይ ሞት ኣይኩጐዳእን እዩ። 12 ናብ መልኣኽ ማሕበር ጴርጋሞስውን ጽሐፍ፡ እቲ ኽልተ ዝኣፉ በሊሕ ሰይፉ ዝሐዘ ኸምዚ ይብል ኣሎ፡ 13 ኣበይ ከም እትነብር፡ ማለት ኣብቲ ናይ ሰይጣን ዝፋን ዘለዎ ምኻኑ እፈልጥ ኣሎኹ እሞ ንስመይ ኣጽኒዕካ ሒዝካዮ ኣሎኻ፡ ኣብቲ ሰይጣን ዚነብረሉ፡ ንኣንቲጳስ፡ ነቲ እሙን ምስክረይ፡ ኣብ ማእከልኩም ብዝቐተልዎ መዓልትታት እኳ ንእምነተይ ኣይከሐድካያን። 14 ነቲ ኣብ ቕድሚ ደቂ እስራኤል መንሳተቲ ንምግባር፡ ንጣኦታት እተሐርደ ኺበልዑን ኪምንዝሩን ንባላቅ ዝመሀሮ ምህሮ በላዓም ዝሐዙ ስለ ዘለውኻ ግና፡ ቅሩብ ነገር ረኺበልካ ኣሎኹ። 15 ከምኡውን በዛ መገዲ እዚኣስ ንምህሮ ኒቆላውያን ዝሐዝዎ ኣለዉኻ። 16 ስለዚ ተነሳሕ፡ እንተ ዘይኰነስ ቀልጢፈ ኽመጽእ፡ ብሰይፊ ኣፈይውን ክዋግኦም እየ። 17 እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። ነቲ ዚስዕር ካብቲ ስዉር ማና ኽህቦ እየ፡ ጻዕዳ እምኒ ድማ፡ ብዘይ እቲ እተቐበላስ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ኣብታ እምኒ እቲኣ እተጻሕፈ ሓድሽ ስም ክህቦ እየ። 18 ናብ መልኣኽ ማሕበር ትያቲራውን ጽሐፍ፡ እቲ ኸም ሃልሃልታ ሓዊ ዝኾና ኣዒንቲ ዘለዋኦ፡ ኣእጋሩውን ዜንጸባርቕ ኣስራዚ ሊባኖስ ዚመስል ወዲ ኣምላኽ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ 19 ግብርኻን ፍቕርኻን እምነትካን ኣገልግሎትካን ትዕግስትኻን፡ እቲ ግብርኻውን ካብ ቀዳማዩስ ዳሕራዩ ኸም ዚበዝሕ፡ እፈልጥ ኣሎኹ። 20 ግናኸ ነታ፡ ነብዪት እየ፡ እናበለትሲ ነቶም ኣገልገልተይ ኪምንዝሩን ንጣኦታት እተሰውኤ ኺበልዑን እትምህሮምን እተስሕቶምን ዘላ ኢዛቤል፡ ነታ ሰበይቲ እቲኣ ስቕ ኢልካ ምርኣይካ ረኺበልካ ኣሎኹ። 21 ምእንቲ ኽትንሳሕ ኢለ፡ ጊዜ ሂበያስ፡ ንሳ ግና ካብቲ ምንዝርናኣ ኽትንሳሕ ኣይደለየትን። 22 እንሆ፡ ኣነ ኣብ ዓራት ሕማም ክውድቓ እየ፡ ነቶም ምስኣ ዚዝምዉ ኸኣ፡ ካብቲ ግብራ እንተ ዘይተነስሑስ፡ ናብ ብርቱዕ ጸበባ ኸእትዎም እየ። 23 ንደቃውን ብሞት ክቐትሎም እየ፡ ኣነ ልብን ኰላሊትን ዝምርምር ምኻነይ ከኣ ብዘለዋ ማሕበራት ኪፈልጣ እየን። ንነፍሲ ወከፍኩምውን ከከም ግብርኹም ክህበኩም እየ። 24 ኣብ ትያትራ ንዘሎኹም ኵላትኩም ካልኦት ግና፡ ነቲ መዓሙቕ ሰይጣን ፦ ከመዮ ንሳቶም ዚብልዎ፡ ዘይፈልጥኩምዎ፡ እዚ ምህሮ እዚ ንዜብልኩም፡ ንኣኻትኩምሲ፡ ካልእ ጾር ኣየጹረኩምን እየ፡ እብለኩም ኣሎኹ። 25 ክሳዕ ዝመጽእ ግዳ ነቲ ዘሎኩም ኣጽኒዕኩም ሐዝዎ። 26-27 ነቲ ዚስዕርን ክሳዕ መወዳእታውን ግብረይ ዚሕሉንሲ፡ ከምቲ ኣነ ኻብ ኣቦይ

እተቐበልክዎ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ኣህዛብ ከሰልጥኖ እየ። ከምቲ ኣቕሓ መሬት ዚሰባበር ገይሩ፡ ንሱ
ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም እዩ። [28] ኰኾብ ጽባሕውን ክህቦ እየ። [29] እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት
ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።

## ምዕራፍ 3

[1] ናብ መልኣኽ ማሕበር ሳርዴስውን ጽሐፍ፡ እቲ፡ ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽን ሾብዓተ ከዋኽብትን
ዘለውዎ፡ ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ኣነ ንግብርኻ እፈልጦ ኣሎኹ፡ ህያው ተብሂልካ ትስመ ኣሎኻ፡ ግናኸ
ምዉት ኢኻ። [2] ንግብርኻ ኣብ ቅድሚ ኣምላኸይ ምሉእ ኰይኑ ኣይረኸብክዎን እሞ፡ ንቑሕ ኩን፡ ነቶም
ኪሞቱ ኢሎም ዘለዉ ኻልኦትውን ኣበርትዓዮም። [3] ደጊም ከመይ ገርካ ኸም እተቐበልካን ከም
ዝሰማዕካን ዘክር፡ ሐልዎ ተነሳሕውን። እንተ ዘይነቓሕካ ግና፡ ከም ሰራቒ ኽመጻካ እየ፡ በየነይቲ ሰዓት
ከም ዝመጻካውን ኣይክትፈልጥን ኢኻ። [4] ኣብ ሳርዴስ ግና ክዳውንቶም ዘይጸየቑ ሒደት ስማት
ኣለዉኻ፡ ንሳቶም ብቑዓት እዮም እሞ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም ምሳይ ኪመላለሱ እዮም። [5] እቲ
ዚስዕር ከምኡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ኪኽደን እዩ፡ ኣነውን ንስሙ ኻብ መጽሓፍ ህይወት ኣይክፍሕቆን እየ፡
ኣብ ቅድሚ ኣቦይን ኣብ ቅድሚ መላእኽቱን ድማ ንስሙ ኽእመኖ እየ። [6] እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ
ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። [7] ናብ መልኣኽ ማሕበር ፊላደልፍያውን ጽሐፍ፡ እቲ ቅዱስ፡ ሓቀኛ፡
መርሖ ዳዊት ዘለዎ፡ ንሱ ምስ ከፈተ፡ ሓደ እኳ ዘይዐጹ፡ ንሱ ምስ ዐጸወ ኸኣ፡ ሓደ እኳ ዘይከፍት፡
ከምዚ ይብል ኣሎ፡ [8] ንግብርኻ እፈልጦ ኣሎኹ። ዓቕምኻ ሒደት እዩ፡ ንቓለይ ሐሊኻዮ ንስመይውን
ኣይከሐድካዮን እሞ፡ እንሆ፡ ሓደ እኳ ኺዐጽዎ ዘይኽእል ክፉት ደገ ሂበካ ኣሎኹ። [9] እንሆ፡ ካብቶም፡
ኣይሁድ ኢና፡ ዚብሉ ማሕበር ሰይጣን፡ ግናኸ ይሕስዉ ኣለዉ እምበር፡ ኣይሁድሲ ዘይኰኑ፡ እህበካ
ኣሎኹ። እንሆ፡ ንሳቶም ከም ዚመጹን፡ ኣብ ቅድሚ እግርኻ ኸም ዚሰግዱን ኣነ ኸም ዘፍቀርኩኻውን
ከም ዚፈልጡን፡ ክገብሮም እየ። [10] ንቓል ትዕግስተይ ስለ ዝሐሎኻዮ፡ ኣነ ድማ ካብታ ነቶም ኣብ ምድሪ
ዚነብሩ ኽትፍትኖም ናብ ኵላ ዓለም እትመጽእ ሰዓት ፈተና ኽሕልወካ እየ። [11] ቀልጢፈ እመጽእ
ኣሎኹ። ሓደ እኳ ኣኽሊልካ ኸይዝርፈካስ፡ ነቲ ዘሎካ ኣጽኒዕካ ሐዞ። [12] ነቲ ዚስዕር ኣብታ መቕደስ
ኣምላኸይ ዓንዲ ኽገብሮ እየ፡ ካብኣ ከቶ ኣይኪወጽእን እዩ። ስም ኣምላኸይን ስም እታ ኸተማ
ኣምላኸይን፡ ናይታ ኻብ ኣምላኸይ ካብ ሰማይ እትወርድ ሓዳስ የሩሳሌም፡ ነቲ ሓድሽ ስመይን
ክጽሕፈሉ እየ። [13] እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ። [14] ናብ መልኣኽ ማሕበር
ሎዲቅያውን ጽሐፍ፡ እቲ ኣሜን፡ እሙን ሓቀኛ ምስክር፡ መጀመርታ ፍጥረት ኣምላኽ፡ ከምዚ ይብል
ኣሎ፡ [15] ዝሑል ወይስ ምዉቕ ዘይምዃንካ፡ ግብርኻ እፈልጥ ኣሎኹ። ብኻ ዝሑል ወይስ ምዉቕ
ምኾንካ። [16] ከምዚ ልብጥ ዝበለ ብምዃንካ ኣይምዉቕ ኣይዝሑል ኢኻ እሞ፡ ካብ ኣፈይ ጡፍ ክብለካ
እየ። [17] ሃብታምን ፈሳስን እየ፡ ሓንቲ ዝደልያ ነገር እኳ የብለይን ብምባልካ፡ ሕሱርን ዜደንግጽን ነዳይን
ዕዉርን ዕሩቕን ምዃንካ ኣይትፈልጥን ኢኻ ዘሎኻ። [18] ምእንቲ ኽትህብትም ብሓዊ ዝጸረየ ወርቂ ካባይ
ክትዕድግ፡ ሕፍረት ዕርቃንካ ምእንቲ ኸይቅላዕን ክትክደንን ከኣ ጻዕዳ ኽዳውንቲ፡ ምእንቲ ኽትርኢ
ነዒንትኻ ኽትኵሐለሉውን ኵሕሊ ኻባይ ክትዕድግ እመኽረካ ኣሎኹ። [19] ኣነ ነቶም ዘፍቅሮም ዘበሉ
እገንሖም እቐጽዖምውን እየ። ደጊም ቅናእ እሞ ተነሳሕ። [20] እንሆ፡ ኣብ ደገ ቤት ደው ኢለ ኳሕኳሕ
ኤብል ኣሎኹ። ሓደ እኳ ድምጻይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተ ኸፈተለይ፡ ናብኡ ኽኣቱ ምስኡ ኸኣ ክድረር
እየ፡ ንሱውን ምሳይ። [21] ከምቲ ኣነውን ዝሰዐርኩ እሞ ምስ ኣቦይ ኣብ ዝፋኑ እተቐመጥኩ፡ ነቲ ዚስዕር

ኣብ ዝፋነይ ምሳይ ኪቕመጥ ክህቦ እየ። [22] እዝኒ ዘላቶ እቲ መንፈስ ንማሕበራት ዚብለን ዘሎ ይስማዕ።

## ምዕራፍ 4

[1] ድሕርዚ ድማ፡ እንሆ፡ ኣብ ሰማይ ክፉት ደገ ርኤኹ እቲ ምሳይ ኪዛረብ ከሎ ዝሰማዕክዎ ኸም መለከት ዝኾነ ቐዳማይ ድምጺ ኸኣ፡ ድሕሪ ሕጂ ዚኸውን ነገር ክርእየካስ ነጀው ደይብ፡ በለኒ። [2] ሽዑ ብመንፈስ ኰንኩ፡ እንሆ ድማ፡ ኣብ ሰማይ ዝፋን ተነቢሩ፡ ኣብቲ ዝፋንውን ሓደ ተቐሚጡ ነበረ። [3] እቲ ተቐሚጥዎ ዝነበረ ኸኣ፡ ትርኢቱ እምኒ ያስጲስን ሰርድዮስን ይመስል፡ ነቲ ዝፋን ድማ ስመራግድ ዚመስል ቀስቲ ደበና ኸቢብዎ ነበረ። [4] ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋን ከኣ ዕስራን ኣርባዕተን ዝፋናት፡ ኣብቲ ዝፋናትውን ጻዕዳ ኽዳውንቲ እተኸድኑ ኣብ ረርእሶም ከኣ ኣኽሊል ወርቂ እተኸለሉ ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታት ተቐሚጦም ርኤኹ። [5] ካብቲ ዝፋን ከኣ መባርቕን ደሃያትን ነጐዳታትን ወጸ። ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ከኣ ሾብዓተ መብራህቲ ሓዊ ይነድድ ነበረ። ንሳቶም እቶም ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም። [6] ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ድማ ከም ባሕሪ መረጸን ዝኾነ፡ ክሪስታል ዚመስል ኣሎ። ብቕድሚቶምን ብድሕሪቶምን ኣዒንቲ ዝመልኦም ኣርባዕተ እንስሳውን ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን ኣለዉ። [7] እቲ ቐዳማይ እንስሳ ኸኣ ኣንበሳ ይመስል፡ እቲ ኻልኣይ እንስሳ ድማ ብዕራይ ይመስል፡ እቲ ሳልሳይ እንስሳ ኸኣ ከም ገጽ ሰብ ዚመስል ገጽ ኣለዎ፡ እቲ ራብዓይ እንስሳውን ዚነፍር ንስሪ እዩ ዚመስል። [8] እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ ነፍሲ ወከፎም ሽሹድሽተ ኽንፊ ኣለዎም፡ ብዙርያኦምን ብውሽጦምን ከኣ ኣዒንቲ መሊእዎም እዩ፡ ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ድማ፡ እቲ ዝነበረን ዘሎን ዚመጽእን ኵሉ ዚከኣሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ፡ ይብሉ። [9] እቶም እንስሳ ነቲ ኣብ ዝፋን እተቐመጠ፡ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው ኰይኑ ዚነብር፡ ክብርን ስብሓትን ምስጋናን ኪህብዎ ኸለዉ፡ [10-11] እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታት ኣብ ቅድሚ እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ፍግም ኢሎም፡ ዎ ጐይታናን ኣምላኽናን፡ ንብዘሎ ንስኻ ፈጠርካዮ፡ ስለ ፍቓድካውን ኰይኑን ተፈጢሩን እዩ እሞ፡ ንስኻ ኽብርን ስብሓትን ስልጣንን ንምውሳድ ብቑዕ ኢኻ፡ እናበሉ፡ ነቲ ንዘለኣለመ ኣለም ህያው ኰይኑ ዚነብር እናሰገዱ ኣኽሊላቶም ናብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ይድርብዩ ኣለዉ።

## ምዕራፍ 5

[1] ኣብ የማን እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ድማ ብውሽጡን ብወጻኢኡን ተጽሒፉ፡ ብሾብዓተ ማሕተም እተሐትመ መጽሓፍ ርኤኹ። [2] ሓደ ብርቱዕ መልኣኽ ድማ፡ ነዚ መጽሓፍ እዚ ኪግንጽሎ ንመሓትሙውን ኪፈትሖ ዚበቅዕ መን ኣሎ፧ ኢሉ ብብርቱዕ ድምጺ ኺጭርሕ ከሎ ርኤኽዎ። [3] ነቲ መጽሓፍ እቲ ኺግንጽሎ ወይስ ኪርእዮ ኣብ ሰማይ፡ ወይስ ኣብ ምድሪ፡ ወይስ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ንሓደ እኳ ኣይተኻእሎን። [4] ኣነ ድማ፡ ነቲ መጽሓፍ ዚግንጽሎ ወይስ ዚርእዮ ብቑዕ ሓደ እኳ ስለ ዘይተረኽበ፡ ብዙሕ በኼኹ። [5] ካብቶም ሽማግሌታት ሓደ ድማ፡ ኣይትብከ፡ እንሆ፡ እቲ ኻብ ነገድ ይሁዳ ዝኾነ ኣንበሳ፡ እቲ ሱር ዳዊት፡ ነቲ መጽሓፍ ኪግንጽሎን ነቲ ሾብዓተ ማሕተሙውን ኪፈትሖን ስዒሩ ኣሎ፡ በለኒ። [6] ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን ኣብ ማእከል እቶም ሽማግሌታትን ተሐሪዱ ኸም ዝነበረ ዚመስል ገንሸል ደው ኢሉ ርኤኹ። ንሱ ሾብዓተ ቐርንን ሾብዓተ ዓይንን ኣለዉዎ፡ ንሳቶም ከኣ እቶም ናብ ብዘላ ምድሪ እተላእኩ ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም። [7] ንሱ መጺኡ፡ ነቲ መጽሓፍ

ካብ የማነይቲ ኢድ እቲ ኣብ ዝፋን እተቐመጠ ወሰዶ። [8] ነቲ መጽሓፍ ምስ ወሰዶ ኸኣ፡ እቶም ኣርባዕተ
እንስሳን እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታትን፡ ነፍሲ ወከፎም መሰንቆን ዕጣን ዝመልኤ ጽዋእ
ወርቅን ሒዞም ፦ እዚ ድማ ጸሎት እቶም ቅዱሳት እዩ ፦ ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸል ተደፍኡ። [9-10]
ንሳቶም ከኣ፡ ተሐሪድካስ ብደምካ ኻብ ብዘሎ ዓሌታትን ቋንቋታትን ህዝብን ኣህዛብን ንኣምላኽ ዚኾኑ
ሰባት ዐዲግካሉ ኢኻ፡ ንኣምላኽና ዚኾኑ መንግስትን ካህናትን ገቢርካዮም፡ ኣብ ምድሪ ድማ ኪነግሱ
እዮም እሞ፡ ንስኻ ነቲ መጽሓፍ ክትወስዶ፡ ነቲ መሓተምውን ክትፈትሖ ብቑዕ ኢኻ፡ እናበሉ ሓድሽ
መዝሙር ዘመሩ። [11] ርኤኹ ድማ፡ ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን እቶም ሽማግሌታትን
ከኣ ድምጺ ብዙሓት መላእኽቲ ሰማዕኩ፡ ቍጽሮም ድማ ኣእላፍ ጊዜ ኣእላፍ፡ ኣሻሕ ጊዜውን ኣሻሕ
እዩ። [12] ዓው ብዝበለ ድምጺ ኸኣ፡ እቲ እተሐርደ ገንሸል፡ ንሱ ስልጣንን ሃብትን ጥበብን ሕይልን
ክብርን ግርማን ውዳሴን ኪወስድ ብቑዕ እዩ፡ በሉ። [13] ኣብ ሰማይን ኣብ ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን
ኣብ ባሕርን ዘሎ ፍጡር ኣባታቶም ዘሎ ዘበለ ኹሉውን፡ በረኸትን ክብርን ግርማን ስልጣንን ንዘኣለመ
ኣለም ነቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎን ነቲ ገንሸልን ይኹን ኪብሉ ኸለዉ ሰማዕኩ። [14] እቶም ኣርባዕተ
እንስሳ ኸኣ፡ ኣሜን፡ በሉ። እቶም ሽማግሌታትውን ፍግም ኢሎም ሰገዱ።

# ምዕራፍ 6

[1] እቲ ገንሸል ካብቲ ሾብዓተ ማሕተምሲ ሓደ ምስ ፈትሔ ኸኣ፡ ርኤኹ፡ ሓደ ኸም ደሃይ ነጐዳ ዝበለ
ድማ፡ ንዓ እሞ ርኤ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። [2] ርኤኹውን እንሆ፡ ኣምበላይ ፈረስ፡ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ
ድማ ቀስቲ ኣለዎ ኣኽሊልውን ተዋህቦ፡ እናሰዓረስ ኪስዕር ከኣ ወጸ። [3] ነቲ ኻልኣይ ማሕተም ምስ ፈትሖ
ድማ፡ እቲ ኻልኣይ እንስሳ፡ ንዓ እሞ ርኤ፡ ኪብሎ ከሎ ሰማዕኩ። [4] ካልእ ሓመር ፈረስ ድማ ወጸ፡ ነቲ
ተቐሚጥዎ ዘሎ ኸኣ፡ ንሓድሕዶም ምእንቲ ኺቃተሉስ፡ ንሰላም ካብ ምድሪ ኼርሕቓ ተዋህቦ፡ ዓቢዩ
ሰይፊውን ተዋህቦ። [5] ነቲ ሳልሳይ ማሕተም ምስ ፈትሖ ኸኣ፡ እቲ ሳልሳይ እንስሳ፡ ንዓ እሞ ርኤ፡ ኪብሎ
ከሎ ሰማዕኩ። ርኤኹውን እንሆ፡ መጋል ፈረስ፡ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ኸኣ ኣብ ኢዱ ሚዛን ኣለዎ። [6]
ኣብ መንጎ እቶም ኣርባዕተ እንስሳ ድማ ከም ድምጺ ዝበለ፡ ሓደ ኮይኒክስ ስርናይ ብዲናር፡ ሰለስተ
ኮይኑክስ ስገም ከኣ ብዲናር፡ ዘይትን ወይንን ኣይትጒዳእ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። [7] ነቲ ራብዓይ ማሕተም
ምስ ፈትሖ ኸኣ፡ ድምጺ እቲ ራብዓይ እንስሳ፡ ንዓ እሞ ርኤ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። [8] ርኤኹውን እንሆ፡
ቡላ ፈረስ፡ ምስ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎውን ሞት እዩ፡ ሲኦል ከኣ ይስዕቦ። ብሰይፍን ጥሜትን ፌራን
ብኣራዊት ምድርን ገይሮም፡ ንራብዓይ ኣፍ ምድሪ ኪቐትልዎ ስልጣን ተዋህቦም። [9] ነቲ ሓምሳይ
ማሕተም ምስ ፈትሖ ኸኣ፡ ነፍሳት እቶም ስለ ቓል ኣምላኽን ስለቲ ዝነበሮም ምስክርን እተሐርዱ ኣብ
ትሕቲ መሰውኢ ርኤኹ። [10] ዓው ብዝበለ ድምጺ ኸኣ፡ ዎ ቅዱስን ሓቀኛን ጐይታ፡ ክሳዕ መኣዝ ኢኻ
ዘይትፈርድ፧ ነቶም ኣብ ምድሪ ዘለዉኻ ኽሳእ መኣዝ ኢኻ ሕነ ደምና ዘይትፈድዮም፧ እናበሉ ጠርዑ። [11]
ንነፍሲ ወከፎም ድማ ጻዕዳ ኽዳን ተዋህቦም፡ እቶም ከማታቶም ኪቐትሉ ዘለዎም ብጾቶም ባሮትን
ኣሕዋቶምን ክሳዕ ዚምልኡ ኸኣ፡ ገና ቕሩብ ዘመን ኪዐርፉ ተባህለሎም። [12] ነቲ ሳድሳይ ማሕተም ምስ
ፈትሖ ኸኣ፡ ርኤኹ እሞ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ፡ ጸሓይ ከም ወጭ ጸለመት፡ ወርሒውን
ብዘላ ኸም ደም ኰነት። [13] ኦም በለስ፡ ብርቱዕ ንፋስ ሰሰው ምስ ኣበላ፡ ነቲ ዝጐዔ ፍሪኣ ኸም
እተርግፍ፡ ከምኡ ኸኣ ከዋኽብቲ ሰማይ ኣብ ምድሪ ወደቑ። [14] ሰማይውን ከም ዚጥቕለል ክታብ
ኣግለሰ። ብዘለዉ ኣኽራንን ደሴታትን ካብ ሰስፍራኦም ገዐዙ። [15] ነገስታት ምድርን መሳፍንትን ሓላቑ

ኣሻሓትን ሃብታማትን ሓያላትን ኵሎም ባሮትን ጭዋታትን ኣብ ጕደጕድን ኣብ በዓትታት ኣኽራንን
ተሐብኡ። 16 ንኽራንን ንኻውሕን ድማ ካብ ገጽ እቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎን ካብ ቍጥዓ እቲ
ገንሸልንሲ ኣብ ልዕሌና ወዲቕኩም ከውሉና፡ በልዎም። 17 እታ ዓባይ መዓልቲ ቍጥዓኦም መጺኣ እያ
እሞ፡ መንከ እዩ ደው ኪብል ዚኽእል፧

# ምዕራፍ 7

1 ድሕርዚ ድማ ኣርባዕተ መላእኽቲ ኣብ ኣርባዕተ መኣዝን ምድሪ ደው ኢሎም፡ ኣብ ምድሪ ወይስ ኣብ
ባሕሪ ኣብ ኦም ዘበለውን ንፋስ ከይነፍስ፡ ነቶም ኣርባዕተ ንፋሳት ምድሪ ሒዞምዎም ርኤኹ። 2
ማሕተም እቲ ህያው ኣምላኽ ዘልዎ ኻልእ መልኣኽውን ካብ ምብራቕ ጸሓይ ኪወጽእ ከሎ ርኤኹ። ንሱ
ኸኣ ነቶም ምድርን ባሕርን ኪጐድኡ እተዋህቦም ኣርባዕተ መላእኽቲ ብብርቱዕ ድምጺ ጸውዖም እሞ፡ 3
ነቶም ባሮት ኣምላኽና ኣብ ገግምባሮም ክሳዕ እንሐትሞምሲ፡ ምድሪ፡ ወይስ ባሕሪ፡ ወይስ ኣእዋም
ኣይትጕድኡ፡ በለ። 4 ቍጽሪ እቶም ሕቱማት ድማ ሰማዕኩ፡ ካብ ብዘሎ ነገድ ደቂ እስራኤል ሚእትን
ኣርብዓን ኣርባዕተን ሽሕ ሕቱማት። 5 ካብ ነገድ ይሁዳ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ተሐትሙ፡ ካብ ነገድ
ሮቤል ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ ካብ ነገድ ጋድ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ 6 ካብ ነገድ ኣሴር ዓሰርተው ክልተ
ሽሕ፡ ካብ ነገድ ንፍታሌም ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ ካብ ነገድ ምናሴ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ 7 ካብ ነገድ
ስምኦን ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ ካብ ነገድ ሌዊ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ተሐትሙ፡ ካብ ነገድ ይሳኮር
ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ 8 ካብ ነገድ ዛብሎን ዓሰርተው ክልተ ሽሕ፡ ካብ ነገድ ዮሴፍ ዓሰርተው ክልተ
ሽሕ፡ ካብ ነገድ ብንያም ዓሰርተው ክልተ ሽሕ ተሐትሙ። 9 ድሕርዚ ድማ ርኤኹ፡ እንሆ፡ ካብ ኵሎም
ኣህዛብን ዓሌታትን ህዝብታትን ካብ ብዘሎ ቛንቋታትን እተኣከቡ፡ ሓደ እኳ ኪቈጽሮም ዘይክእል
ብዙሓት ሰብ፡ ጻዕዳ ኽዳውንቲ ተኸዲኖም፡ ጨነፍር ስየ ኣብ ኣእዳዎም ሒዞም፡ ኣብ ቅድሚ እቲ
ዝፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደው ኢሎም ርኤኹ እሞ፡ 10 ምድሓን ናይቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ
ኣምላኽናን ናይቲ ገንሸልን እዩ፡ እናበሉ ዓው ኢሎም ጨደሩ። 11-12 እቶም መላእኽቲውን ኵላቶም ኣብ
ዙርያ እቲ ዝፋንን እቶም ሽማግሌታትን እቶም ኣርባዕተ እንስሳን ቈሙ። ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ፍግም
ኢሎም ከኣ፡ ኣሜን፡ ውዳሴን ግርማን ጥበብን ምስጋናን ክብርን ስልጣንን ሓይልን ንዘለኣለመ ኣለም
ንኣምላኽና ይኹን፡ ኣሜን፡ እናበሉ ንኣምላኽ ሰገዱ። 13 ካብቶም ሽማግሌታት ሓደ ድማ፡ እዞም ጻዕዳ
ኽዳውንቲ እተኸድኑስ እንታዎት እዮም፧ ካበይከ መጹ፧ ኢሉ መለሰለይ። 14 ኣነውን፡ ጐይታይ፡ ንስኻ
ትፈልጥ፡ በልክዎ። ንሱ ኸኣ፡ እዚኣቶም ካብቲ ብርቱዕ ጸበባ ዝመጹ እዮም፡ ንኽዳውንቶም ከኣ ብደም
እቲ ገንሸል ሐጺቦም ኣጻዕደዉ፡ 15 ስለዚ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ኣምላኽ እዮም፡ ኣብታ መቕደሱውን
ለይትን መዓልትን የገልግልዎ ኣለዉ። እቲ ኣብቲ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ኸኣ ንድንኳኑ ኣብ ልዕሊኦም
ኪተኽሎ እዩ። 16-17 እቲ ኣብ ማእከል ዝፋን ዘሎ ገንሸል ስለ ዚጓስዮም፡ ናብ ዔላታት ማይ ህይወት ከኣ
ስለ ዚመርሖም፡ ኣምላኽውን ካብ ኣዒንቶም ንብዓት ዘበለ ኺደርዘሎም እዩ እሞ፡ ደጊምሲ
ኣይኪጠምዩን ኣይኪጸምኡን እዮም፡ ጸሓይን ሃሩርን ድማ ከቶ ኣይኪረኽቦምን እዩ፡ በለኒ።

# ምዕራፍ 8

1 ነቲ ሳብዓይ ማሕተም ምስ ፈትሖ ኸኣ፡ ኣብ ሰማይ ኣስታት ፈረቓ ሰዓት ዚኣክል ስቕታ ኾነ። 2 ኣብ

ቅድሚ ኣምላኽ ድማ ሾብዓተ መላእኽቲ ደው ኢሎም ርኤኹ፡ ሾብዓተ መለኸትውን ተዋህቦም። 3
ካልእ መልኣኽውን መጸ እሞ፡ ጽንሃህ ወርቂ ሒዙ ኣብ መሰውኢ ደው በለ፡ ነቲ ጸሎት ኵሎም ቅዱሳት
ኣብ ልዕሊ እቲ ኣብ ቅድሚ ዝፋን ዘሎ መሰውኢ ወርቂ ምእንቲ ኺወስኾ ኽኣ፡ ብዙሕ ዕጣን ተዋህቦ። 4
እቲ ትኪ ዕጣን ከኣ ምስቲ ጸሎት እቶም ቅዱሳት ኰይኑ ኻብ ኢድ እቲ መልኣኽ ናብ ቅድሚ ኣምላኽ
ደየበ። 5 እቲ መልኣኽ ድማ ጽንሃህ ወሲዱ ኻብ ሓዊ እቲ መሰውኢ መልኦ፡ ናብ ምድሪውን ደርበዮ፡
ነጐዳታትን ጭርሓታትን በርቕታትን ምንቅጥቃጥ ምድሪን ከኣ ኾነ። 6 እቶም ሾብዓተ መለኸት ዘለዎም
ሾብዓተ መላእኽቲ ድማ መለኸት ኪነፍሑ ተዳለዉ። 7 እቲ ቐዳማይ መልኣኽ መለኸት ነፍሔ እሞ ደም
እተሓሶ በረድን ሓውን ኰነ፡ ናብ ምድሪውን ተደርበየ። ሲሶ ምድሪ ኽኣ ነደደ፡ ሲሶ ኣእዋምውን ነደደ፡
ብዘሎ ለምለም ሳዕሪ ድማ ነደደ። 8 እቲ ኻልኣይ መልኣኽውን መለኸት ነፍሔ፡ ከም ከረን ዝበለ ነዳዲ
ሓዊ ድማ ናብ ባሕሪ ተደርበየ። ሲሶ ባሕሪ ኽኣ ደም ኰነ። 9 ሲሶ እቲ ኣብ ባሕሪ ዚነብር ነፍሲ ዘለዎ
ፍጡር ድማ ሞተ፡ ሲሶ መራኽብውን ጠፍኣ። 10 እቲ ሳልሳይ መልኣኽ ከኣ መለኸት ነፍሔ፡ ዓብዪ
ኰኾብ ከም መብራህቲ እናነደደ ኻብ ሰማይ ወደቐ፡ ኣብ ሲሶ ርባታትን ዓይኒ ማያትን ከኣ ወደቐ። 11
ስም እቲ ኰኾብ ድማ ምረት እዩ ዚብሀል፡ ሲሶ እቲ ማያት ከኣ መረረ፡ መሪር ብምዃኑውን ብሰሪ እቲ
ማይ ብዙሓት ሰብ ሞቱ። 12 እቲ ራብዓይ መልኣኽውን መለኸት ነፍሔ፡ ሲሶኣም ምእንቲ ኺጽልምት፡
መዓልቲ ሲሶኣ ምእንቲ ኸይበርህሲ ለይቲውን ከምኡ ሲሶ ጸሓይን ሲሶ ወርሕን ሲሶ ኽዋኽብትን
ተወቕዔ። 13 ርኤኹ ድማ፡ ሓደ ንስሪ ኣብ ማእከል ሰማይ ኪዝምቢ ዓው ብዝበለ ቓልውን፡ ብሰሪ እተን
ተሪፈን ዘለዋ ደሃይ መለኸት ናይቶም መለኸት ኪነፍሑ ዘለዎም ሰለስተ መላእኽቲ፡ ነቶም ኣብ ምድሪ
ዚነብሩ ዘለዉ ወይለኦም፡ ወይለኦም፡ ወይለኦም፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ።

# ምዕራፍ 9

1 እቲ ሓምሻይ መልኣኽ ድማ መለኸት ነፍሔ፡ ኰኾብ ከኣ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኺወድቕ ከሎ
ርኤኹ፡ መርሖ ዓሚቍ ዔላውን ተዋህቦ። 2 ነቲ ዓሚቍ ዔላ ድማ ከፈቶ። ካብቲ ዔላ ኸኣ ከም ትኪ
ዓብዪ እቶን ዚመስል ትኪ ወጸ። ብትኪ እቲ ዔላ ድማ ጸሓይን ኣየርን ጸልመተ። 3 ካብቲ ትኪ ድማ
ኣንበጣ ናብ ምድሪ ወጸ፡ ከምቲ ንዕንቅርቢታት ኣብ ምድሪ ስልጣን ዘለወን ከኣ፡ ስልጣን ተዋህቦ። 4
ንእኡውን፡ ነቶም ኣብ ግምባሮም ማሕተም ኣምላኽ ዜብሎም ሰባት ጥራይ ደኣ እምበር፡ ኣብ ምድሪ
ንዘሎስ፡ ንሳዕሪ፡ ወይስ ለምለም ንዘበለ፡ ወይስ ነእዋም ኣይትጕድኣዮም፡ ተባህለሉ። 5 ሓሙሽተ ወርሒ
ደኣ ኺሳቕዮም እምበር፡ ከይቀትሎምውን ተዋህቦ። እቲ ስቓዮም ከም ስቓይ ዕንቅርቢት ንሰብ ክትነክስ
ከላ እዩ። 6 በተን መዓልትታት እቲኣተን ሰባት ንሞት ኪደልይዎ እሞ ኣይኪረኽብዎን እዮም፡
ሙማትውን ኪምነዩ እዮም፡ እቲ ሞት ግና ካባታቶም ኪሀድም እዩ። 7 ትርኢት እቲ ኣንበጣ ድማ
ንውግእ እተዳለዉ ኣፍራስ ይመስል፡ ኣብ ረርእሱውን ኣኽሊላት ወርቂ ዚመስል አለዎ፡ ገጹ ኸኣ ከም
ገጽ ሰብ እዩ። 8 ከም ጸጕሪ ኣንስቲ ዝበለ ጸጕሪ ድማ አለዎ፡ ኣስናኑውን ከም ኣስናን ኣናብስ እዩ። 9
ድርዒ ሓጺን ዚመስል ድርዒ ኸኣ አለዎ፡ ደሃይ ኣኽናፉውን ከም ደሃይ ሰረገላታት፡ ናብ ውግእ ዚጋልቡ
ብዙሓት ኣፍራስ እዩ። 10 ከም ጭራ ዕንቅርቢት ዚመስል ጭራን ሕንዝን አለዎ፡ ንሰብሲ ሓሙሽተ
ወርሒ ኺጐድኦም ከኣ ኣብ ጭራኡ ስልጣን አለዎ። 11 ንጉስ አለዎ፡ ንሱ መልኣኽ መዓሙቝ እዩ፡ ስሙ
ብእብራይስጢ ኣባዶን እዩ፡ ብጽርኢ ኸኣ ስሙ ኣጶልዮን ይብሀል። 12 እቲ ቐዳማይ ወዮ ሐሊፉ፡
ድሕርዚ ኸኣ እንሆ፡ ገና ኽልተ ወዮ ይመጽእ አሎ። 13-14 እቲ ሳድሳይ መልኣኽውን መለኸት ነፍሔ፡

ካብተን ኣርባዕተ ቐርኒ ናይቲ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዘሎ መሰውኢ ወርቂ ነቲ መለኽት ዘለዎ ሳድሳይ መልኣኽ፡ ነቶም ኣብቲ ዓብዪ ርባ ኤፍራጥስ ተኣሲሮም ዘለዉ ኣርባዕተ መላእኽቲ ፍትሓዮም፡ ዚብሎ ድምጺ ሰማዕኩ። [15] እቶም ነታ ሰዓትን መዓልትን ወርሕን ዓመትን እተዳለዉ ኣርባዕተ መላእኽቲ፡ ንሲሶ ሰብ ምእንቲ ኪቐትሉ፡ ተፈትሑ። [16] ቍጽሪ እቶም ሰራዊት ፈረሰኛታት ክልተ እልፊ ጊዜ እልፊ እዩ፡ ቍጽሮም ሰማዕኩ። [17] ብራእይውን ከምኡ እቶም ኣፍራስን እቶም ተቐሚጦምዎም ዘለዉን ርኤኹ። ሓውን ህያክንቶስን ዲንን ዚመስል ድርዒ ኣለዎም። ኣራእስ እቶም ኣፍራስ ከም ኣራእስ ኣናብስ ይመስል፡ ካብ ኣፎምውን ሓውን ትክን ዲንን ይወጽእ። [18] በቲ ኻብ ኣፎም ዝወጸ ሓውን ትክን ዲንን፡ በዘን ሰለስተ መዓት እዚኤን ሲሶ ሰብ ተቐትለ። [19] ስልጣን እቶም ኣፍራስ ኣብ ኣፎምን ኣብ ጭራኦምን እዩ እሞ፡ እቲ ጭራኦም ኣትማን እዩ ዚመስል፡ ኣራእስውን ኣለዎ፡ ብእኡ ገይሮም ድማ እዮም ዚጐድኡ። [20] እቶም በዘን መዓት እዚኣተን ከይተቐትሉ ዝተረፉ ሰባት ከኣ፡ ንኣጋንንትን ነቶም ኪርእዩ፡ ወይስ ኪሰምዑ፡ ወይስ ኪኸዱ ዘይከኣሎም ጣኦታት ወርቅን ብሩርን ኣስራዝን ኣእማንን ኣዕጻውን ከይሰግዱ ኻብቲ ግብሪ ኣእዳዎም ኣይተነስሑን። [21] ካብ ነፍሲ ምቕታሎም፡ ወይስ ካብ ኣስማቶም፡ ወይስ ካብ ምንዝርናኦም፡ ወይስ ካብ ስርቆም ኣይተነስሑን።

## ምዕራፍ 10

[1] ካልእ ብርቱዕ መልኣኽ ከኣ ደበና ተወንዚፉ ኻብ ሰማይ ኪወርድ ከሎ ርኤኹ። ኣብ ልዕሊ ርእሱ ኸኣ ቀስቲ ደበና ኣሎ፡ ገጹ ድማ ከም ጸሓይ እዩ፡ ኣእጋሩውን ከም ኣዕኑድ ሓዊ እየን። [2] ኣብ ኢዱ ኸኣ ሓንቲ ንእሽቶ ግንጽልቲ መጽሓፍ ኣላቶ። ነታ የማነይቲ እግሩ ኣብ ባሕሪ ረገጸላ፡ ነታ ጸጋመይቲ ድማ ኣብ ምድሪ ረገጸላ። [3] ከም ዚጓዝም ኣንበሳ ኸኣ ዓው ብዝበለ ድምጺ ጨደረ። ምስ ጨደረ ኸኣ፡ እቶም ሸብዓተ ነጐዳታት ብድምጾም ተዛረቡ። [4] እቶም ሸብዓተ ነጐዳታት ምስ ተዛረቡ፡ ኣነ ኽጽሕፍ ደሌኹ። ካብ ሰማይውን፡ ነቲ እቶም ሸብዓተ ነጐዳታት እተዛረብዎስ ሕተሞ ኣይትጽሐፎ፡ ዚብል ድምጺ ሰማዕኩ። [5] እቲ ኣብ ባሕርን ኣብ ምድርን ደው ኢሉ ዝርኤኽዎ መልኣኽ ድማ ንየማነይቲ ኢዱ ናብ ሰማይ ኣቢሉ ዘርግሓ እሞ፡ [6-7] ብመዓልትታት ድምጺ እቲ ሳብዓይ መልኣኽ ንሱ መለኸት ኪነፍሕ ምስ ተዳለወ፡ እቲ ምስጢር ኣምላኽ ከኣ ከምቲ ነቶም ባሮቱ ነብያት ዘበሰሮም፡ ሽዑ ኺፍጸም እዩ እምበር፡ ደጊምሲ ዘመን ኣይኪኸውንን እዩ፡ ኢሉ በቲ ንሰማይን ኣብኡ ዘሎን፡ ንምድርን ኣብኡ ዘሎን፡ ንባሕርን ኣብኣ ዘሎን ዝፈጠረ፡ ንዘለኣለም ኣለምን ህያው ኰይኑ ዚነብር መሓለ። [8] እቲ ኻብ ሰማይ ዝሰማዕክዎ ድምጺ ኸኣ፡ ኪድ እሞ ነታ ኣብ ኢድ እቲ ኣብ ባሕርን ምድርን ደው ኢሉ ዘሎ መልኣኽ ዘላ ንእሽቶ ግንጽልቲ መጽሓፍ ውሰዳ፡ ኢሉ ኽም ብሓድሽ ምሳይ ተዛረበ። [9] ናብቲ መልኣኽ ከይደ ድማ፡ ነታ መጽሓፍ ሀበኒ፡ በልክዎ። ንሱ ኸኣ፡ ውሰዳ እሞ ብልዓያ፡ ንኸብድኻ መሪር ክትገብሮ እያ፡ ኣብ ኣፍካ ግና ከም መዓር ጥዕምቲ ኽትከውን እያ፡ በለኒ። [10] ነታ ንእሽቶ መጽሓፍ ከኣ ካብ ኢድ እቲ መልኣኽ ወሲደ በላዕክዋ፡ ኣብ ኣፈይ ከም መዓር ጠዐመትኒ፡ ምስ በላዕክዋ ግና፡ ከብደይ መረረ እሞ፡ [11] ከም ብሓድሽ ከኣ ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ህዝብታትን ኣህዛብን ቋንቋታትን ነገስታትን ክትንበ ይግብኣካ እዩ፡ ተባህለለይ።

## ምዕራፍ 11

1 ዘንጊ ዚመስል ሻምብቆ ኸኣ ተዋህበኒ፡ ሓደ ድማ፡ ተንስእ እሞ ነታ መቕደስ ኣምላኽን መሰውእን
ነቶም ኣብኣ ዚሰግዱን ስፈር፡ በለኒ። 2 እቲ ብወጻኢ መቕደስ ዘሎ ቐጽሪ ግና ነህዛብ ተውሂቡ እዩ እሞ፡
ሕደጎ ኣይትስፈሮውን፡ ነታ ቅድስቲ ኸተማ ኸኣ ኣርብዓን ክልተን ወርሒ ኺረግጽዋ እዮም። 3 ነቶም
ክልተ ምስክረይውን፡ ወጮ ተወንዚፎም፡ ሽሕን ክልተ ሚእትን ስሳን መዓልቲ ኺንበዩ ኽህቦም እየ። 4
እዚኣቶም ኣብ ቅድሚ እቲ ጐይታ ምድሪ ዚቘሙ ኽልተ ኣዋልዕን ክልተ ቐወምቲ ቐንዴልን እዮም። 5
ሓደ እኳ ኺጎድኦም እንተ ደለየ ድማ፡ ካብ ኣፎም ሓዊ ይወጽእ እሞ ንጸላእቶም ይበልዖም። ሓደ እኳ
ኺጎድኦም እንተ ደለየ ኸኣ፡ ከምኡ ኪቕተል ይግብኦ እዩ። 6 እዚኣቶም በተን መዓልትታት ትንቢቶም
ዝናም ምእንቲ ኸይዘንም ንሰማይ ኪዐጽውዎ ስልጣን ኣለዎም። ናብ ደም ክልውጥዎ ኣብ ልዕሊ
ማያትን ንምድሪ ብዝደለይዎ መጠን ብመዓት ዘበለ ኪቐዝፍዋን ስልጣን ኣለዎም። 7 ምስክሮም ምስ
ፈጸሙ ኸኣ፡ እቲ ኻብ መዓሙቕ ዚወጽእ ኣራዊት ምሳታቶም ውግእ ኪገብርን ኪስዕሮምን
ኪቕትሎምን እዩ። 8 ሬሳታቶም ከኣ ኣብ ኣደባባይ እታ ጐይታኦም እተሰቕለላ፡ ብመንፈሳዊ ሓሳብ ከኣ
ሰዶምን ግብጽን እትብሀል ዓባይ ከተማ ኺተርፍ እዩ። 9 ሰብ ድማ ካብ ኣህዛብን ዓሌታትን ቋንቋታትን
ህዝብታትን ነቲ ሬሳታቶም ሰለስተ መዓልትን ፈረቓን ይርእዩዎም፡ ነቲ ሬሳታቶምሲ ኣብ መቓብር
ኪንበር ኣይፈቕዱን እዮም። 10 እዞም ክልተ ነብያት እዚኦም ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ የሰቅቕዎም
ነይሮም እዮም እሞ፡ እቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ብኣታቶም ይሕጐሱ ባህውን ይብሎም፡ ኣብ
ንሓድሕዶም ከኣ ውህበት ኪሰዱ እዮም። 11 ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲን ፈረቓን ድማ መንፈስ ህይወት
ካብ ኣምላኽ ኣተዎም፡ በእጋሮምውን ቈሙ፡ ነቶም ዝጠመትዎም ከኣ ብርቱዕ ፍርሃት ወደቖም እሞ፡ 12
ነጀው ደይቡ፡ ዚብሎም ዓብዪ ድምጺ ኻብ ሰማይ ሰምዑ። ብደበና ድማ ናብ ሰማይ ደየቡ እሞ እቶም
ጸላእቶም ጠመትዎም። 13 በታ ሰዓት እቲኣ ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኾነ፡ ዓስራይ ኢድ እታ
ኸተማውን ወደቐ። በቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኸኣ ሾብዓተ ሽሕ ሰባት ተቐትሉ፡ ነቶም ዝተረፉ ድማ
ፍርሃት ሐዞም ንኣምላኽ ሰማይውን ክብሪ ሀብዎ። 14 እቲ ኻልኣይ ወዮ ሐሊፉ፡ እንሆ፡ እቲ ሳልሳይ ወዮ
ቐልጢፉ ይመጽእ ኣሎ። 15 እቲ ሳብዓይ መልኣኽውን መለኸት ነፍሔ፡ ኣብ ሰማይ ከኣ፡ መንግስቲ ዓለም
ናይ ኣምላኽናን ናይቲ ቕቡእን ኮይና እያ እሞ ንዘለኣለመ ኣለም ኪነግስ እዩ፡ ዚብል ዓው ዝበለ
ድምጽታት ኰነ። 16-17 እቶም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣብ ዝፋናቶም ተቐሚጦም ዘለዉ ዕስራን ኣርባዕተን
ሽማግሌታት ከኣ፡ ዎ ዘሎኻን ዝነበርካን፡ ኲሉ እትኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽ ነቲ ዓብዪ ስልጣንካ ስለ
ዝወስድካዮን ስለ ዝነገስካን፡ ነመስግነካ ኣሎና፡ እናበሉ ብግምባሮም ተደፊኦም ንኣምላኽ ሰገዱ። 18
ኣህዛብ ተቘጢዖም፡ ቍጥዓኻውን መጺኡ፡ እቲ ንምዉታት እትፈርደሉ፡ ንባሮትካ፡ ነቶም ነብያትን
ቅዱሳትን ስምካ ንዚፈርሁ ናእሽቱን ዓበይትን፡ ዓስቦም እትህበሉ፡ ነቶም መጥፋእቲ ምድሪውን
እተጥፍኣሉ ዘመን መጺኡ፡ በሉ። 19 እታ ኣብ ሰማይ ዘላ መቕደስ ኣምላኽ ከኣ ተኸፍተት፡ ኣብታ
መቕደሱውን ታቦት ኪዳኑ ተራእየ በርቅታትን ድምጽታትን ነጐዳታትን ምንቅጥቃጥ ምድርን ዓብዪ
በረድን ድማ ኾነ።

## ምዕራፍ 12

1 ዓብዪ ትእምርቲ ድማ ኣብ ሰማይ ተራእየ፡ ሰበይቲ፡ ጸሓይ ተወንዚፋ፡ ወርሒ ኸኣ ኣብ ትሕቲ
ኣእጋራ፡ ኣኽሊል ዓሰርተው ክልተ ኸዋኽብቲ ድማ ኣብ ርእሳ ዘለውዋ ተራእየት። 2 ጥንስቲ ኸኣ እያ፡
ብቕልውላው ምውላድውን ትጭርሕ፡ ክትወልድ ከኣ ትጽዕር ነበረት። 3 ካልእ ትእምርቲ ኸኣ ኣብ ሰማይ

ተራእየ፡ እንሆ፡ ሾብዓተ ርእስን ዓሰርተ ቐርንን፡ ኣብቲ ኣራእሱውን ሾብዓተ ዘውዲ ዘለዎ ዓብዪ ቐይሕ
ገበል፡ 4 እቲ ጭራኡ ድማ ሲሶ ኸዋኽብቲ ሰማይ ሰሓበ፡ ናብ ምድሪውን ደርበዮም። እቲ ገበል ድማ፡
ምስ ወለደትሲ ነቲ ውሉዳ ምእንቲ ኺውሕጦ ኢሉ፡ ኣብ ቅድሚ እታ ኽትወልድ ዝቐረበት ሰበይቲ
ደው በለ። 5 ንሳ ንዅሎም ኣህዛብ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም ዘለዎ ወዲ፡ ተባዕታይ፡ ወለደት። እቲ
ውሉዳ ኸኣ ናብ ኣምላኽን ናብ ዝፋኑን ተመንጠለ። 6 እታ ሰበይቲ ድማ፡ ሽሕን ክልተ ሚእትን ስሳን
መዓልቲ ኺምግብዋ፡ ናብቲ ኣምላኽ ዘዳለወላ ቦታ ናብ በረኻ ሀደመት። 7 ኣብ ሰማይ ከኣ ውግእ ኰነ፡
ሚኪኤልን መላእኽቱን ምስቲ ገበል ተዋግኡ። እቲ ገበልን መላእኽቱን ድማ ተዋግእዎም። 8
ኣይሰዐርዎምን ከኣ፡ ድሕርዚ ስፍራኦም ኣብ ሰማይ ኣይተረኽበን። 9 እቲ ንብዘላ ዓለም ዜስሕታ ዘሎ
ድያብሎስን ሰይጣንን ዚብሀሉ ዓብዪ ገበል፡ እቲ ናይ ጥንቲ ተመን ተደርበየ፡ ናብ ምድሪ ተደርበየ፡
መላእኽቱውን ምስኡ ተደርበዩ። 10 ኣብ ሰማይ ከኣ ዓው ብዝበለ ድምጺ፡ እቲ ለይትን መዓልትን ኣብ
ቅድሚ ኣምላኽናን ዚኸሶም ዝነበረ ኸሳስ ኣሕዋትና ተደርብዩ እዩ እሞ፡ ሕጂ ምድሓንን ስልጣንን
መንግስትን ናይ ኣምላኽና ኹይኑ፡ ምልኪ ኸኣ ናይቲ ቕቡእ እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። 11 ሳላ ደም እቲ
ገንሸልን ሳላ እቲ ቓል ምስክሮምን ድማ ሰዐርዎ፡ ንህይወቶምውን ክሳዕ ሞት ኣየፍቀርዋን። 12 ስለዚ፡
ኣቱም ሰማያት፡ ኣባታቶም እትነብሩውን፡ ተሐጎሱ። ኣቱም ምድርን ባሕርን ግና፡ ድያብሎስ ቕሩብ
ዘመን ከም ዘለዎ ፈሊጡ፡ ብብርቱዕ ቝጥዓ ወሪዱኩም ኣሎ እሞ፡ ወይለኹም። 13 እቲ ገበል ከኣ ናብ
ምድሪ ኸም እተደርበየ፡ ምስ ረኣየ፡ ነታ ተባዕታይ ሕጻን ዝወለደት ሰበይቲ ሰጐጓ። 14 ነታ ሰበይቲ ኸኣ፡
ካብ ገጽ እቲ ተመን ርሒቓስ ዘመንን ዘመናትን ፈረቓ ዘመንን ክትምገብ፡ ናብ በረኻ ናብቲ ስፍራኣ
ምእንቲ ኽትነፍር፡ ክልተ ኽንፊ ናይቲ ዓብዪ ንስሪ ተዋህባ። 15 እቲ ተመን ድማ፡ ውሒዝ ምእንቲ
ኺወስዳስ፡ ነታ ሰበይቲ ደድሕሪኣ ኸም ውሒዝ ዝኾነ ማይ ካብ ኣፉ ኣውጽኤ። 16 ምድሪ ኸኣ ነታ
ሰበይቲ ረድኣታ፡ እታ ምድሪ ኣፋ ኸፊታ፡ ነቲ እቲ ገበል ካብ ኣፉ ዘውጽኦ ውሒዝ ወሐጦቶ። 17 እቲ
ገበል ከኣ ነታ ሰበይቲ ተቘጥዓ እሞ ምስቶም ንትእዛዝ ኣምላኽ ዚሕልዉን ምስክር የሱስ ሒዞም ዘለዉን
ዝተረፉ ዘርኣ ኺዋጋእ ከደ። 18 ኣብ ሑጻ ባሕሪውን ደው በለ።

# ምዕራፍ 13

1 ዓሰርተ ቐርን ሾብዓተ ርእስን፡ ኣብቲ ኣቕርንቱ ኸኣ ዓሰርተ ዘውዲ፡ ኣብቶም ኣራእሱውን ስማት ጸርፊ
ዘለዎ ኣራዊት ካብ ባሕሪ ኺወጽእ ከሎ ርኤኹ። 2 እቲ ዝርኤኽዎ ኣራዊት ከኣ ነብሪ እዩ ዚመስል፡
ኣእጋሩ ኸም ናይ ድቢ፡ ኣፉውን ከም ኣፍ ኣንበሳ እዩ። እቲ ገበል ድማ ሓይሉን ዝፋኑን ብዙሕ
ስልጣንን ሀቦ። 3 ሓደ ኻብቶም ኣራእሱውን ንሞት ከም እተወግኤ ኾነ እሞ እታ ቚስሊ ሞቱ ሐወየት፡
ብዘላ ምድሪ ድማ ተገሪማ ደድሕሪ እቲ ኣራዊት ሰዐበት። 4 ንሳቶም ከኣ፡ ነቲ ኣራዊት ስልጣን ስለ ዝሀቦ፡
ነቲ ገበል ሰገዱሉ፡ ነቲ ኣራዊትውን፡ ነዚ ኣራዊት እዝስ መን ይመስሎ፧ መንከ ኺዋግኦ ይኽእል፧ እናበሉ
ሰገዱሉ። 5 ቃል ትዕቢትን ጸርፍን ዚዛረብ ኣፍ ተዋህቦ፡ በርብዓን ክልተን ወርሒ ግብሩ ኺገብርውን
ምልኪ ተዋህቦ። 6 ንምጽራፍ ኣምላኽን ንስሙን ንማሕደሩን ነቶም ኣብ ሰማይ ዚነብሩውን ኪጸርፎም
ኣፉ ኸፈተ። 7 ምስቶም ቅዱሳት ውግእ ኪገብርን ኪስዕሮምን ከኣ ተዋህቦ። ኣብ ልዕሊ ዅላቶም
ዓሌታትን ህዝብን ቋንቋታትን ኣህዛብን ድማ ምልኪ ተዋህቦ። 8 እቶም፡ ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ
ስሞም ኣብቲ ናይቲ እተሐርደ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት ዘይተጻሕፈ፡ ኣብ ምድሪ ዚነብሩ ዅላቶም
ኪሰግዱሉ እዮም። 9 ሰብ፡ እዝኒ ደኣ እንተ ኣልያቶስ፡ ይስማዕ። 10 ዚማርኽ እንተሎ፡ ተማሪኹ ይኸይድ፡

ብሰይፊ ዚቕትል እንተሎ፡ ንሱ ብሰይፊ ኪቕተል ይግብኦ። ናይቶም ቅዱሳት ትዕግስትን እምነትን ኣብዚ
እዩ ዘሎ። 11 ሓደ ኻልእ ኣራዊትውን ካብ ምድሪ ኺወጽእ ከሎ ርኤኹ። ናይ ገንሸል ዚመስል ክልተ
ቀርኒውን ኣለዎ። ከም ገበል ከኣ እዩ ዚዛረብ። 12 ኣብ ቅድሚኡ ድማ ብዘሎ ስልጣን እቲ ቐዳማይ
ኣራዊት ይገብር። ንሱ ነቲ እታ ቚስሊ ሞቱ ዝሐወየትሉ ቐዳማይ ኣራዊት ከኣ ምድርን እቶም ኣብኣ
ዚነብሩን ከም ዚሰግዱሉ ይገብሮም። 13 ኣብ ቅድሚ ሰብሲ ሓዊ እኳ ኻብ ሰማይ ናብ ምድሪ ኺሳዕ
ዜውርድ፡ ዓበይቲ ትእምርቲ ይገብር። 14 ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩውን፡ ነቲ ብሰይፊ ተወቒዑ ዝቔሰለ
እሞ ዝሐወየ ኣራዊት፡ ምስሊ ኺገብሩሉ እናበለ፡ በቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ኣራዊት ኪገብሮ እተዋህቦ
ትእምርትታት፡ ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩ የስሕቶም ኣሎ። 15 ምስሊ እቲ ኣራዊት ምእንቲ ኺዛረብን፡
ነቶም ንምስሊ እቲ ኣራዊት ዘይሰገዱ ዘበሉ ዅላቶም ምእንቲ ኬቕትሎምን ከኣ ንምስሊ እቲ ኣራዊት
ትንፋስ ኪህብ ተዋህቦ። 16 ንዅላቶም ከኣ፡ ነቶም ናእሽቱን ዓበይትን፡ ንሃብታማትን ድኻታትን፡
ንጭዋታትን ባርትን ኣብ የማናይ ኢዶም ወይስ ኣብ ግምባሮም ማሕተም ከም ዚቕበሉ ይገብር ኣሎ። 17
ሓደ እኳ ማሕተም ስም እቲ ኣራዊት ወይስ ቊጽሪ ስሙ እንተ ዜብሉ፡ ኪዕድግን ኪሸይጥን ከም
ዘይኽእል ይገብር። 18 ጥበብ ኣብዚ እያ ዘላ። ቊጽሪ እቲ ኣራዊት ብቊጽሪ ሰብ እዩ እሞ፡ ኣእምሮ ዘለዎ
ይጸብጽቦ። እቲ ቚጽሩ ኸኣ ሹድሽተ ሚእትን ስሳን ሹድሽተን እዩ።

# ምዕራፍ 14

1 እንሆ ድማ፡ እቲ ገንሸል ኣብ ደብረ ጽዮን ደው ኢሉ፡ ስሙን ስም ኣቦኡን ኣብ ግምባሮም እተጻሕፎም
ሚእትን ኣርብዓን ኣርባዕተን ሽሕ ከኣ ምስኡ ርኤኹ። 2 ከም ደሃይ ብዙሕ ማያትን ከም ደሃይ ብርቱዕ
ነጐዳን ዝበለ ኻብ ሰማይ ደሃይ ሰማዕኩ። እቲ ዝሰማዕክዎ ደሃይ ከኣ ከም ደሃይ ሰብ መሰንቆ፡
መሰንቆታቶም ኪድርድሩ ኸለዉ እዩ። 3 ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋንን ኣብ ቅድሚ እቶም ኣርባዕተ እንስሳን
ኣብ ቅድሚ እቶም ሽማግሌታትን ሓድሽ መዝሙር ዘመሩ። ነዚ መዝሙር እዚውን፡ ብዘይ እቶም ካብ
ምድሪ እተዐደጉ ሚእትን ኣርብዓን ኣርባዕተን ሽሕ፡ ንሓደ እኳ ኺመሀሮ ኣይኮነሉን። 4 እዚኣቶም
ደናግል እዮም እሞ፡ ምስ ኣንስቲ ኣይረኸሱን። ንሳቶም ነቲ ገንሸል ናብ ዚኸዶ ዘበለ ዚሰዕብዎ እዮም።
ንሳቶም ንኣምላኽን ነቲ ገንሸልን በዅራት ኪኾኑ፡ ካብ ደቂ ኣዳም እተዐደጉ እዮም። 5 ኣብ ኣፎም ሓሶት
ኣይተረኽበን እሞ ሕፍቲ ዜብሎም እዮም። 6 ነቶም ኣብ ምድሪ ዚነብሩን ንዅሎም ኣህዛብን ዓሌታትን
ቋንቋታትን ህዝብታትን ኪሰብኮሎም ድማ፡ ናይ ዘለኣለም ወንጌል ዘለዎ ኻልእ መልኣኽ ኣብ ማእከል
ሰማይ ኪዝምቢ ኸሎ ርኤኹ። 7 ብብርቱዕ ድምጺ ኸኣ፡ እታ ዚፈርደላ ጊዜ በጺሓ እያ እሞ፡ ንኣምላኽ
ፍርህዎ ኽብሪውን ሀብዎ፡ ነቲ ሰማይን ምድርን ባሕርን ዓይኒ ማያትን ዝገበረ ስገዱሉ፡ በለ። 8 ካልእ
ካልኣይ መልኣኽ ድማ፡ እታ ኻብ ወይኒ ቚጥዓ ምንዝርናኣ ንዅሎም ኣህዛብ ዘስተየቶም ዓባይ ባቢሎን
ወዲቓ፡ ወዲቓ፡ እናበለ ሰዐቦ። 9 ካልእ ሳልሳይ መልኣኽ ድማ ሰዐቦም፡ ብብርቱዕ ድምጺ ኸምዚ እናበለ፡
ሓደ እኳ ነዚ ኣራዊት እዝን ንምስሉን እንተ ሰገደ፡ ኣብ ግምባሩ ወይስ ኣብ ኢዱውን ማሕተም እንተ
ተቐበለ፡ 10 ንሱ ድማ ካብቲ ኣብ ጽዋእ ቊጥዓኡ ብዘይምሕዋስ እተቐድሔ ወይኒ መዓት ኣምላኽ ኪሰቲ
እዩ፡ ኣብ ቅድሚ ቅዱሳት መላእኽትን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ከኣ ብሓውን ብዲንን ኪስቀ እዩ። 11
ትኪ ስቓዮምውን ንዘለኣለም ኣለም ይወጽእ፡ እቶም ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ዚሰግዱ ዘለዉ፡ ሓደ ኸኣ
ማሕተም ስሙ እንተ ተቐበለ፡ ለይትን መዓልትን ዕረፍቲ የብሎምን። 12 እቶም ንትእዛዛት ኣምላኽን
ንእምነት የሱስን ዚሕልዉ ቅዱሳት ከኣ፡ ትዕግስቶም ኣብዚ እዩ ዘሎ፡ በለ። 13 ካብ ሰማይ ከኣ፡ ጽሓፍ፡

እቶም ካብ ሕጂ ብጐይታ ዚሞቱ ምዉታት ብጹኣን እዮም። እወ፡ ግብሮም ኪስዕቦም እዩ እሞ፡ ካብ
ጻዕሮም ኪዐርፉ እዮም፡ ይብል መንፈስ፡ ዚብለኒ ድምጺ ሰማዕኩ። 14 ርኤኹ ድማ፡ እንሆ፡ ጻዕዳ
ደበናን፡ ኣብ ርእሱ ኣኽሊል ወርቂ፡ ኣብ ኢዱውን በሊሕ ማዕጺድ ዘለዎ ወዲ ሰብ ዚመስል ኣብቲ ደበና
ተቐሚጡን ርኤኹ። 15 ካልእ መልኣኽ ድማ ካብ መቕደስ ወጺኡ ነቲ ኣብ ደበና ተቐሚጡ ዘሎ፡ ጊዜ
ዓጺድ ኣትዩ፡ ፍረ ምድሪውን በጺሑ እዩ እሞ፡ ንማዕጺድካ ስደዶ ዕጸድውን፡ ኢሉ ዓው ብዝበለ ድምጺ
ጸውዔ። 16 እቲ ኣብ ደበና እተቐመጠ ኸኣ፡ ማዕጺዱ ናብ ምድሪ ኣውረደ፡ ምድሪውን ተዐጽደት። 17
ካልእ መልኣኽ ድማ ካብታ ኣብ ሰማይ ዘላ መቕደስ ወጸ፡ ንሱውን በሊሕ ማዕጺድ ሓዘ። 18 ካብቲ
መሰውኢ ድማ ኣብ ልዕሊ ሓዊ ስልጣን ዘለዎ ሓደ ኻልእ መልኣኽ መጸ፡ ነቲ በሊሕ ማዕጺድ ዝሓዘ
ኸኣ ዓው ብዝበለ ድማጺ እናጸውዖ፡ እቲ ኣስካል ወይኒ በሲሉ እዩ እሞ፡ ነቲ በሊሕ ማዕጺድካ ሰዲድካ፡
ነቲ ናይ ምድሪ ኣስካል ወይኒ ኽተቶ፡ በሎ። 19 እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ማዕጺዱ ናብ ምድሪ ኣውሪዱ፡ ነቲ ናይ
ምድሪ ወይኒ ኸተቶ እሞ፡ ናብቲ ዓብዪ መጽመቕ ናይ ቍጥዓ ኣምላኽ ደርበዮ። 20 እቲ መጽመቕ ድማ
ኣብ ወጻኢ ኸተማ ተረግጸ እሞ ካብቲ መጽመቕ ሽሕን ሹድሽተ ሚእትን እስታድዮስ ዚኣክል፡ ክሳዕ
ልጓማት ኣፍራስውን ዚበጽሕ ደም ወጸ።

# ምዕራፍ 15

1 ካልእ ዓብይን ዜገርምን ትእምርቲ ድማ ኣብ ሰማይ ርኤኹ፡ እቲ ቍጥዓ ኣምላኽ ብኣታተን ኪፍጸም
እዩ እሞ፡ ነተን ሾብዓተ መላእኽቲ ሒዞምወን ዘለዉ ዳሕሮት ሾብዓተ መዓት ርኤኹ። 2 ምስ ሓዊ
እተሓሰ ኸም ባሕሪ መረጸን ዚመስል እሞ፡ እቶም ነቲ ኣራዊትን ነቲ ምስሉን ነቲ ቍጽሪ ስሙን ዝሰዐሩ፡
መሰንቆታት ኣምላኽ ሒዞም፡ ኣብቲ ባሕሪ መረጸን ደው ኢሎም ርኤኹ እሞ፡ 3-4 ኣታ ዀሉ እትኽእል
እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ግብርኻ ዓብይን ግሩምን እዩ። ኣታ ንጉስ ኣህዛብ፡ መገድኻ ጽድቅን ሓቅን እዩ።
ንስኻ በይንኻ ኢኻ ቅዱስ እሞ፡ ዎ እግዚኣብሄር፡ ዘይፈርሃካን ንስምካ ዘየኽብርንከ መን ኣሎ፧ እቲ ቕኑዕ
ፍርድኻ ተግሂዱ እዩ እሞ፡ ስለዚ ዅሎም ኣህዛብ ኪመጹ ኣብ ቅድሜኻውን ኪሰግዱ እዮም፡ እናበሉ፡
መዝሙር ሙሴ፡ እቲ ባርያ ኣምላኽን፡ መዝሙር እቲ ገንሸልን ዘመሩ። 5 ድሕሪዚ ድማ ርኤኹ፡ እታ
መቕደስ ድንኳን ምስክር ከኣ ኣብ ሰማይ ተኸፍተት። 6 እቶም ሾብዓተ መዓት ዝሓዙ ሾብዓተ መላእኽቲ
ኻብ ልሕጺ እንጣጢዕ እተገብረ፡ ባዕባዕ ዚብል ጽሩይ ክዳን ተኸዲኖም፡ ኣብ ኣፍ ልቦምውን ቅናውቲ
ወርቂ ተቐኒቶም፡ ካብ መቕደስ ወጹ። 7 ሓደ ኻብቶም ኣርባዕተ እንስሳ ኸኣ ካብ ቍጥዓ እቲ ንዘለኣለመ
ኣለም ዚነብር ኣምላኽ እተመልኤ ሾብዓተ ጽዋእ ወርቂ ነቶም ሾብዓተ መላእኽቲ ሀቦም። 8 እታ መቕደስ
ድማ ካብቲ ናይ ኣምላኽ ግርማን ሓይልን ብትኪ መልኤት። እተን ናይቶም ሾብዓተ መላእኽቲ
ሾብዓተኤን መዓት ክሳዕ ዚውድኣስ፡ ሓደ እኳ ናብ መቕደስ ኪኣቱ ኣይከኣለን።

# ምዕራፍ 16

1 ካብታ መቕደስ ከኣ ነቶም ሾብዓተ መላእኽቲ፡ ኪዱ፡ ነቲ ናይ ቍጥዓ ኣምላኽ ሾብዓተ ጽዋእ ናብ
ምድሪ ኣፍስስዎ፡ ዚብሎም ብርቱዕ ድምጺ ሰማዕኩ። 2 እቲ ቀዳማይ ከደ እሞ ጽዋኡ ናብ ምድሪ
ኣፍሰሰ። ነቶም ማሕተም እቲ ኣራዊት ዘለዎምን ንምስሉ ዝሰገዱ ሰባት ከኣ ክፉእ ብርቱዕ ቍስሊ
ወጾም። 3 እቲ ኻልኣይ ድማ ጽዋእ ናብ ባሕሪ ኣፍሰሰ። እቲ ባሕሪ ኸኣ ከም ናይ ምዉት ሰብ ዚመስል

ደም ኰነ፡ ኣብቲ ባሕሪ ዝጸንሑ ትንፋስ ዘለዎ ዅሉ ህያው ድማ ሞተ። 4 እቲ ሳልሳይውን ጽዋእ ናብ
ርባታትን ዔላታትን ኣፍሰሰ፡ ደም ከኣ ዀነ። 5 እቲ መልኣኽ ማያት ድማ፡ ኣታ ቅዱስ፡ ዘሎኻን
ዝነበርካን፡ እዚ ብምፍራድካ ጻድቕ ኢኻ፡ 6 ደም ቅዱሳትን ደም ነብያትን ኣፍሲሶም እዮም እሞ፡ ንስኻ
ድማ ኪሰትዩ ደም ሀብካዮም፡ ዚግብኦምውን እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። 7 እቲ መሰውኢ ድማ፡ እወ፡
ኣታ ዅሉ እትኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ እቲ ፍርድታትካስ ሓቅን ቅንዕናን እዩ፡ ኪብል ከሎ
ሰማዕኩ። 8 እቲ ራብዓይ ከኣ ጽዋእ ኣብ ጸሓይ ኣፍሰሰ፡ ንእኣውን ንሰብ ብሓዊ ኸተንድድ ተዋህባ። 9
እቶም ሰብ ድማ ብብርቱዕ ሃሩር ነደዱ፡ ንስም እቲ ኣብዘን መዓታት እዚኤን ስልጣን ዘለዎ ኣምላኽ ከኣ
ጸረፍዎ፡ ክብሪ ኺህብዎውን ኣይተነስሑን። 10 እቲ ሓምሳይ ከኣ ጽዋእ ኣብ ዝፋን እቲ ኣራዊት ኣፍሰሰ።
እታ መንግስቱ ድማ ጸልመተት፡ ብሰሪ እቲ ስቓይውን ልሳውንቶም ሐየኹ። 11 ብሰሪ እቲ ቓንዛኦምን
ኣቚሳሎምን ከኣ ነቲ ኣምላኽ ሰማይ ጸረፍዎ፡ ካብ ግብሮምውን ኣይተነስሑን። 12 እቲ ሳድሳይውን ጽዋእ
ኣብቲ ዓብዩ ርባ ኤፍራጥስ ኣፍሰሰ። ነቶም ካብ ምብራቕ ጸሓይ ዚመጹ ነገስታት ድማ መገዲ ምእንቲ
ኺዳለወሎም፡ እቲ ማዩ ነጸፈ። 13 ካብ ኣፍ እቲ ገበልን ካብ ኣፍ እቲ ኣራዊትን ካብ ኣፍ እቲ ነብዩ
ሓሶትን ከኣ ቈርዖብ ዚመስሉ ሰለስተ ርኹሳት መናፍስቲ ኺወጹ ኸለዉ ርኤኹ። 14 እዚኣቶም
ትእምርቲ እናገበሩ ንነገስታት ኵላ ዓለም በታ ዓባይ መዓልቲ ናይቲ ዅሉ ዚኽእል ኣምላኽ ንውግእ
ኪእክብዎም ዚወጹ ናይ ኣጋንንቲ መናፍስቲ እዮም። 15 እንሆ፡ ከም ሰራቒ እመጽእ አሎኹ። ጥራዩ
ምእንቲ ኸይከይድ ንሕፍረቱውን ከይርእይዎ፡ እቲ ዚነቅሕ ክዳኑውን ዚእርንብ ብጹእ እዩ። 16 ንሳቶም
ከኣ ናብቲ ብእብራይስጢ ኣርማጌዶን ዚብሀል ቦታ ኣከብዎም። 17 እቲ ሳብዓይውን ጽዋእ ኣብ ኣየር
ኣፍሰሰ። ካብታ መቕደስ ካብቲ ዝፋን ከኣ፡ ኰይኑ፡ ዚብል ብርቱዕ ድምጺ ወጸ። 18 በርቅታትን ደሃያትን
ነጐዳታትን ድማ ዀነ። ከምኡ ዝበለ ኽንድዚ ዚኣክል ዓብዩ ምንቅጥቃጥ ምድርስ፡ ሰብ ኣብ ምድሪ
ኻብ ዚፍጠር ከቶ ዘይኰነ ዓብዩ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዀነ። 19 እታ ዓባይ ከተማ ኸኣ ኣብ ሰለስተ ኽፍሊ
ተመቕለት ከተማታት ኣህዛብውን ወደቓ። እታ ዓባይ ባቢሎን ድማ ናይቲ ብርቱዕ ቍጥዓኡ ጽዋእ
ወይኒ ኺህባ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ተዘከረት። 20 ብዘለዋ ደሴታት ሀደማ፡ ኣኽራንውን ኣይተረኽቡን። 21
ኣስታት ሓደ መክሊት ዝምኽባዱ ገዚፍ በረድ ካብ ሰማይ ናብ ሰብ ወረደ። እቲ መዓት ኣዝዩ ኽፉእ ስለ
ዝዀነ፡ እቶም ሰብ ብሰሪ እቲ መዓት በረድ ንኣምላኽ ጸረፍዎ።

## ምዕራፍ 17

1 ካብቶም ሾብዓተ ጽዋእ ዝሐዙ ሾብዓተ መላእኽቲ ኸኣ ሓደ መጺኡ፡ ፍርዲ እታ ኣብ ብዙሕ ማያት
ተቐሚጣ ዘላ ዓባይ ኣመንዝራ ኽርእየካስ፡ ንዓ ነጀው። 2 ነገስታት ምድሪ ምስኣ መንዚሮም፡ ኣብ ምድሪ
ዚነብሩውን ብወይኒ ምንዝርናኣ ሰኺሮም እናበለ ተዛረበኒ። 3 ብመንፈስ ድማ ናብ በረኻ ወሰደኒ።
ሾብዓተ ርእስን ዓሰርተ ቐርንን ኣብ ዘለዎ ስማት ጸርፊ ዝመልአ ቐዪሕ ኣራዊት እተቐመጠት ሰበይቲ
ርኤኹ። 4 እታ ሰበይቲ ኸኣ ቀዪሕ ግምጃን ቀዪሕ ውጹእ ክዳንን ተወንዚፉ፡ ብወርቅን ክቡር እምንን
ኣዕናቚን ተሰሊማ ነበረት፡ ርኽሰት ምንዝርናኣ ዝመልኤ ዜፈንፍን ጽዋእ ወርቂ ኣብ ኢዳ ሒዛ ነበረት። 5
ኣብ ግምባራ ኸኣ ምስጢር እታ ዓባይ ባቢሎን፡ ኣደ ኣመናዝርን ኣደ ርኽሰት ምድርን፡ ዚብል ስም
ጽሑፍ እዩ። 6 እታ ሰበይቲ ኸኣ ብደም ቅዱሳትን ብደም እቶም ምስክር የሱስን ሰኺራ ርኤኽዋ። ምስ
ርኤኽዋ ኸኣ ብርቱዕ ምግራም ተገረምኩ። 7 እቲ መልኣኽ ከኣ፡ ስለምንታይ ተገሪምካ፧ ምስጢር እታ
ሰበይትን ምስጢር እቲ ጸዊርዋ ዘሎ ሾብዓተ ርእስን ዓሰርተ ቐርንን ዘለዎ ኣራዊትን ኣነ ኽነግረካ እየ፡

በለኒ። 8 እቲ ዝርኤኻዮ ኣራዊት ነበረ የሎን ከኣ፡ ካብ መዓሙቕ ድማ ኪወጽእ ናብ ጥፍኣትውን
ኪኸይድ እዩ። ካብ ምስራት ዓለም ጀሚሩ ስሞም ኣብ መጽሓፍ ህይወት ዘይተጻሕፈ ኣብ ምድሪ
ዚነብሩ፡ እቲ ኣራዊት ከም ዝነበረን ከም ዘየሎን ከም ዚመጽእን ምስ ረኣዩ፡ ኪግረሙ እዮም። 9 ጥበብ
ዘለዋ ኣእምሮ ኣብዚ እያ ዘላ። እቶም ሾብዓተ ርእስስ እታ ሰበይቲ ተቐሚጣቶም ዘላ ሾብዓተ ኣኽራን
እዮም፡ 10 ሾብዓተ ነገስታት ከኣ እዮም፡ እቶም ሓሙሽተ ወዲቖም፡ እቲ ሓደ ኣሎ፡ እቲ ሓደ ገና
ኣይመጸን፡ ምስ መጸ ድማ ቅሩብ ኪነብር ይግብኦ እዩ። 11 እቲ ዝነበረን ዘየሎን ኣራዊት፡ ንሱ ድማ
ሳምናዮም እዩ፡ ካብቶም ሾብዓተ ኸኣ እዩ፡ ናብ ጥፍኣትውን ይኸይድ። 12 እቶም ዝርኤኻዮም ዓሰርተ
ቐርኒ ድማ መንግስቲ ገና ዘይተቐበሉ ዓሰርተ ነገስታት እዮም። ግናኸ ምስቲ ኣራዊት ከም ነገስታት
ኰይኖም፡ ንሓንቲ ሰዓት ምልኪ ዚቕበሉ እዮም። 13 እዚኣቶም ሓደ ሓሳብ ኣለዎም፡ ሓይሎምን
ስልጣኖምን ከኣ ነቲ ኣራዊት ኪህብዎ እዮም። 14 እዚኣቶም ምስቲ ገንሸል ኪዋግኡ እዮም፡ እቲ ገንሸል
ግና፡ ጐይታ ጐይተትን ንጉስ ነገስታትን እዩ እሞ ኪስዕሮም እዩ። እቶም ምስኡ ዘለዉ ጽዉዓትን
ሕሩያትን እሙናትን ድማ ኪስዕሩ እዮም። 15 እታ ኣመንዝራ ተቐሚጣቶ ዝርኤኻዮ ማያትሲ ኣህዛብን
ብዙሕ ሰብን ህዝብታትን ቋንቋታትን እዮም። 16 እቶም ዝርኤኻዮም ዓሰርተ ቐርንን እቲ ኣራዊትን ከኣ
ነታ ኣመንዝራ ኺጸልእዋን ኬማስንዋን ጥራያ ኺገብርዋን ንስጋኣ ኺበልዑን ብሓዊውን ኬንድድዋ
እዮም። 17 ማለት፡ ኣምላኽ፡ ሓሳቡ ኺገብሩን ሓደ ሓሳብ ኪኾኑን፡ ቃል ኣምላኽ ክሳዕ ዝፍጸም ከኣ፡
መንግስቶም ነቲ ኣራዊት ኪህብዎን ኣብ ልቦም ኣእትዩ ኣሎ። 18 እታ ዝርኤኻያ ሰበይቲ ድማ ኣብ
ነገስታት ምድሪ መንግስቲ ዘለዋ ዓባይ ከተማ እያ።

## ምዕራፍ 18

1 ድሕርዚ ኸኣ ዓብዩ ስልጣን ዘለዎ ኻልእ መልኣኽ ካብ ሰማይ ኪወርድ ከሎ ርኤኹ። ብኽብሩውን
ምድሪ በርሄት። 2-3 ንሱ ኸኣ፡ እታ ዓባይ ባቢሎን ወዲቓ፡ ወዲቓ፡ ማሕደር ኣጋንንትን ሰፈር ኵሎም
ርኹሳት መናፍስትን፡ ሰፈር ርኹስን ዜፈንፍን ዘበለ ዅሉ ዑፍን ኰይና። ኵሎም ኣህዛብ ካብቲ ወይኒ
ቍጥዓ ምንዝርናኣ ሰትዮም፡ ነገስታት ምድሪ ምስኣ መንዚሮም ነጋዶ ምድሪውን ብሓይሊ ጵጋባ
ሀብቲሞም፡ እናበለ ብብርቱዕ ድምጺ ጨደረ። 4-5 ካብ ሰማይ ድማ ካልእ ድምጺ ሰማዕኩ፡ ከምዚ
ዚብል፡ ኣቱም ህዝበይ፡ ሓጢኣታ ኽሳዕ ሰማይ ተጻፍጺፉ፡ ኣምላኽ ድማ ዓመጻኣ ዘኪሩ እዩ እሞ፡ ኣብቲ
ሓጢኣታ ምእንቲ ኸይትጽምበሩ፡ ካብቲ መዓታውን ምእንቲ ኸይትካፈሉስ፡ ካብኣ ውጹ። 6 ከምቲ ንሳ
ዝፈደየትኩም ፍደይዋ፡ ከምቲ ግብራውን ዕጽፊ ዕጻፉላ። በቲ ዝቐድሓትሉ ጽዋእ ካዕበት ጌርኩም
ቅድሑላ። 7 ብልባ ንግስቲ ኾይነ እነብር፡ መበለት ኣይከውንን፡ ሓዘንውን ኣይክርእን እየ፡ ኢላ ኣላ እሞ፡
ክንዲ እቲ ንርእሳ ዘኽበረትን ዝሐንቀቐትን ጌርኩም፡ ክንድኡ ስቓይን ሓዘንን ሀብዋ። 8 ስለዚ እቲ
ፈሪድዋ ዘሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብርቱዕ እዩ እሞ፡ እቲ መዓታ፡ ሞትን ሓዘንን ጥሜትን፡ ብሓንቲ
መዓልቲ ኺመጻ እዩ፡ ብሓዊውን ክትነድድ እያ። 9 እቶም ምስኣ ዝመንዘሩን ዝሐንቀቑን ነገስታት ምድሪ
ኸኣ፡ ትኪ ምንዳዳ ርእዮም፡ ኪበኽዩላን ኬልቅሱላን እዮም። 10 ብሰሪ ፍርሃት ስቓያ ኣብ ርሑቕ ደው
ኢሎም፡ ኣቲ ዓባይ ከተማ፡ ኣቲ ብርትዕቲ ኸተማ ባቢሎን፡ ወይለኺ፡ ወይለኺ፡ ፍርዲ ብሓንቲ ሰዓት
መጺኡኪ ኣሎ፡ ኪብሉ እዮም። 11 እቶም ነጋዶ ምድሪ ኸኣ፡ ደጊም ኣቓሑኦም ዚዕድገሎም የልቦን እሞ፡
ይበኽዩላን የልቅሱላን። 12 ኣቓሑ ወርቅን ብሩርን ክቡር እምንን ሉልን ሻሽን ቀዪሕ ውጹእ ክዳንን ሃርን
ቀዪሕ ግምጃን ቅዱይ መኣዛ ዘለዎ ዘበለ ዕጨይትን ኣቕሓ ስኒ ሓርማዝ ዘበለን ናይ ክቡር ዕጨይቲ ዘበለ

ኣቕሓን ናይ ኣስራዝን ናይ ሓጺንን ናይ እምነ በረድን፡ 13 ቃርፋን ቅብኢ ኣሞሙንን ዕጣንን ቅዱይ
ቅብእን ከርበን ወይንን ዘይትን ድኹም ሐርጭን ስርናይን ከብትን ኣባጊዕን ኣፍራስን ሰረገላታትን
ባሮትን ነፍሳት ሰብን። 14 እቲ ነፍስኺ ዝበሀገቶ ፍረ ኻባኺ ሐሊፉ፡ ጥዑምን ድሙቕን ዘበለ ኻባኺ
ጠፊኡ፡ ድሕሪ ደጊም ከኣ እዚ ከቶ ኣይኪርከብን እዩ። 15-17 እቶም በዚ እንዚ እናነገዱ ኣብኣ ዝሀብተሙ
ነጋዶ ብፍርሃት ስቓያ ኣብ ማዕዶኣ ደው ኢሎም፡ ክንድዚ ዚኣክል ሃብትስ ብሓንቲ ሰዓት ጠፊኡ እዩ
እሞ፡ እዛ ሻሽን ቀዩሕ ውጹእ ክዳንን ቀዩሕ ግምጃን እተኸድነት፡ ብወርቅን ክቡር እምንን ሉልን
እተለበጠት ዓባይ ከተማ ወይለኣ፡ ወይለኣ፡ ኢሎም እናበኸዩ የልቅሱላ። ኵሎም ሓላቒ መራኽብን
ብመራኽብ ነናብ ስፍራኦም ዚኸዱ ዘበሉ ባሕረኛታትን ኣብ ባሕሪ ዚዐዩ ዘበሉ ዅሎምን ድማ ኣብ
ርሑቕ ቈሙ። 18 ነቲ ትኪ ምንዳዳ ምስ ረኣይዎ ድማ፡ ነዛ ዓባይ ከተማ እዚኣስ መን እዩ ዚመስላ፡
እናበሉ ጨርሑ። 19 ኣብ ርእሶምውን ሓመድ ነስነሱ፡ እናበኸዩን እናሐዘኑን ከኣ፡ እቶም መራኽብ ኣብ
ባሕሪ ዘለዋኦም ኵሎም ብኽቡር ኣቓሑኣ ዝሀብተሙ፡ ብሓንቲ ሰዓት ያንያ እያ እሞ፡ እዛ ዓባይ ከተማ
ወይለኣ፡ ወይለኣ፡ እናበሉ ጨርሑ። 20 ኣታ ሰማይ፡ ብእኣ ተሐጐስ። ኣቱም ቅዱሳትን ሃዋርያትን
ነብያትን፡ ኣምላኽ ኣብኣ ፍርድኹም ተፈድዩ እዩ እሞ፡ ብእኣ ተሐጐሱ። 21 ሓደ ብርቱዕ መልኣኽ ድማ
ክንዲ ዓብዪ መጥሓን ዚኸውን እምኒ ኣልዒሉ ናብ ባሕሪ ደርበዮ፡ ከምዚ እናበለ፡ ባቢሎን፡ እታ ዓባይ
ከተማ፡ ከምዚ ኢላ ብናህሪ ኽትድርበ፡ ደጊም ከኣ ከቶ ኣይክትርከብን እያ። 22 ድምጺ ቓነይቲ መሰንቆን
ናይ ደረፍትን ናይ ነፋሕቲ እምብልታን ናይ ሰብ መለኸትን ደጊም ኣባኺ ከቶ ኣይኪስማዕን፡ ኵሉ
ጥበብኛን ኢደ ጥበብን ደጊም ኣባኺ ከቶ ኣይኪርከብን፡ ድሕሪ ደጊምሲ ደሃይ መጥሓን ኣባኺ ከቶ
ኣይኪስማዕን እዩ። 23 ነጋዶኺ መኳንንቲ ምድሪ ነይሮም፡ ኵሎም ኣህዛብ ብጥንቈልናኺ ስሒቶም
እዮም እሞ፡ ደጊም ኣባኺ ብርሃን ቀንዴል ከቶ ኣይኪበርህን እዩ፡ ድሪ ደጊምሲ ኣባኺ ድምጺ መርዓዊ
ድምጺ መርዓትውን ከቶ ኣይኪስማዕን እዩ። 24 ደም ነብያትን ቅዱሳትን ናይቶም ኣብ ምድሪ እተሐርዱ
ዘበሉን ኣብኣ ተረኺቡ፡ በለ።

# ምዕራፍ 19

1-2 ድሕርዚ ኣብ ሰማይ ከም ናይ ብዙሕ ሰብ ዝበለ ብርቱዕ ድምጺ፡ ሃሌሉያ፡ ፍርዱ ሓቅን ጽድቅን ስለ
ዝኾነ፡ ንሱ ናይታ ብምንዝርናኣ ንምድሪ ዘጥፍኤት ዓባይ ኣመንዝራ ስለ ዝፈረዳ፡ ንደም ባሮቱውን ካብ
ኢዳ ስለ እተፈድየ፡ ምድሓንን ክብርን ሓይልን ናይ ኣምላኽና እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። 3 ካልኣይ ጊዜ
ድማ፡ ሃሌሉያ፡ በሉ። ትካውን ንዘለኣለመ ኣለም ይወጽእ። 4 እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታትን
እቶም ኣርባዕተ እንስሳን ከኣ ነቲ ኣብ ዝፋን ተቐሚጡ ዘሎ ኣምላኽ፡ ኣሜን፡ ሃሌሉያ፡ እናበሉ ፍግም
ኢሎም ሰገዱሉ። 5 ካብቲ ዝፋንውን፡ ኣቱም እትፈርህዎ ናእሽቱን ዓበይትን ኵሉኹም ባሮቱ፡ ንኣምላኽና
ወድስዎ፡ ዚብል ድምጺ ወጸ። 6-7 ከም ድምጺ ብዙሕ ሰብን ከም ደሃይ ብዙሕ ማያትን ብርቱዕ
ነጐዳታትን ዝበለ ኸኣ፡ እቲ ዅሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽና ነጊሱ እዩ እሞ፡ ሃሌሉያ። መርዓ እቲ
ገንሸል በጺሑ፡ መርዓቱውን ተዳልያ እያ እሞ፡ ንተሐጐስ ባህ ድማ ይበለና፡ ንእኡውን ክብሪ ንሀብ፡
ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። 8 ብን ዝበለ ጻዕዳ ሻሽን ጽሩይ ክዳንን ክትክደን ከኣ ተዋህባ። እቲ ሻሽ እቲ ድማ
ጽድቂ እቶም ቅዱሳት እዩ። 9 ንሱ ኸኣ፡ እቶም ናብ ድራር መርዓ እቲ ገንሸል እተዐደሙ ብጹኣን እዮም፡
ጽሐፍ፡ በለኒ። ንሱውን፡ እዚ እቲ ናይ ሓቂ ቓል ኣምላኽ እዩ፡ በለኒ። 10 ኣነ ኸኣ፡ ክሰግደሉ ኢለ፡ ናብ
ቅድሚ ኣእጋሩ ፍግም በልኩ። ንሱ ድማ፡ ከይትገብሮ ተጠንቀቕ። ምስክር የሱስ እቲ መንፈስ ትንቢት

እዩ እሞ፡ ኣነስ ከማኻን ከምቶም ምስክር የሱስ ዘሕዙ ዘለዉ ኣሕዋትካን ባርያ እየ፡ ንኣምላኽ ደኣ
ስገድ፡ በለኒ። [11] ሰማይ ከኣ ተኸፊቱ ርኤኹ። እንሆ ድማ፡ ኣምበላይ ፈረስ፡ እቲ ተቐሚጥዎ ዘሎ ኸኣ
እሙንን ሓቀኛን ይብሀል፡ ብጽድቂውን እዩ ዚዳንን ዚዋጋእን። [12] ኣዒንቱ ኸም ሃልሃልታ ሓዊ እየን፡ ኣብ
ርእሱውን ብዙሕ ዘውድታት ኣለዎ፡ ብጀካኡ ሓደ እኳ ዘይፈልጦ ጽሑፍ ስም ድማ ኣለዎ። [13] ብደም
እተዐለሰ ኽዳን ተወንዚፉ እዩ፡ ስሙውን ቃል ኣምላኽ እዩ። [14] ኣብ ሰማይ ዘለዉ ሰራዊት ከኣ፡ ጻዕዳን
ጽሩይን ሻሽ ተኸዲኖም፡ ኣብ ኣምበሌታት ኣፍራስ ተቐሚጦም ሰዐብዎ። [15] ካብ ኣፉ ኸኣ ነህዛብ
ዚወቕዓሉ በሊሕ ሰይፊ ይወጽእ። ንሱ ብበትሪ ሓጺን ኪጓስዮም እዩ፡ ነቲ መጽመቕ ወይኒ ናይቲ
ብርቱዕ ቍጥዓ ዅሉ ዚኽእል ኣምላኽ ከኣ ንሱ ይረግጾ። [16] ኣብ ክዳኑን ኣብ ምሕኰልቱን ድማ፡ ንጉስ
ነገስታት፡ ጐይታ ጐይተትውን፡ ዚብል ጽሑፍ ስም ኣለዎ። [17-18] ሓደ መልኣኽ ድማ ኣብ ጸሓይ ደው
ኢሉ ርኤኹ እሞ ነተን ኣብ ማእከል ሰማይ ዚነፍራ ዘለዋ ዅለን ኣዕዋፍ፡ ስጋ ነገስታትን ስጋ ሓለቓታትን
ስጋ ሓያላትን ስጋ ኣፍራስን ናይቶም ተቐማጥኦም፡ ስጋ ዅሎም ጭዋታትን ባሮትን ናይ ናእሽቱን
ዓበይትን ክትበልዓስ፡ ንዕኔ፡ ናብቲ ዓብዪ ናይ ጐይታ ድራር ተኣከባ፡ እናበለ ዓው ብዝበለ ድምጺ
ጨደረ። [19] እቲ ኣራዊትን እቶም ነገስታት ምድርን ሰራዊቶምን ከኣ፡ ምስቲ ኣብ ፈረስ እተቐመጠን
ምስቶም ሰራዊቱን ኪዋግኡ ተኣኪቦም ርኤኹ። [20] እቲ ኣራዊት ተታሕዘ፡ እቲ ነቶም ማሕተም እቲ
ኣራዊት እተቐበሉን ንምስሉ ዝሰገዱን ዜስሕቶም ትእምርቲ ኣብ ቅድሚኡ ዝገበረ ነብዪ ሓሶትውን
ምስኡ ተታሕዘ፡ ንኽልቲኣቶም ብህይወቶም ከለዉ፡ ናብቲ ብዲን ዚነድድ ቀላይ ሓዊ ደርበይዎም። [21]
እቶም ዝተረፉ ድማ በቲ ኻብ ኣፍ እቲ ኣብ ፈረስ ተቐሚጡ ዘሎ ዚወጽእ ሰይፊ ተቐትሉ፡ ኵለን
ኣዕዋፍውን ስጋኦም በሊዔን ጸገባ።

## ምዕራፍ 20

[1] መርሖ መዓሙቕን ሓደ ገዚፍ መቕሕን ኣብ ኢዱ ዝሓዘ መልኣኽ ድማ ካብ ሰማይ ኪወርድ ከሎ
ርኤኹ። [2] ንሱውን ነቲ ገበል፡ ነቲ ናይ ጥንቲ ተመን፡ ሐዞ፡ እዚ እቲ ድያብሎስን ሰይጣንን እዩ፡ ሽሕ
ዓመትውን ኣሰሮ። [3] እተን ሽሕ ዓመት ክሳዕ ዚፍጸማ ኸኣ፡ ናብ መዓሙቕ ደርበዮ። ድሕሪ ደጊም
ነህዛብ ምእንቲ ኸየስሕቶም ኢሉውን፡ ዐጽዩ ኣብ ልዕሊኡ ሐተመ። ድሕርዚ ንቕሩብ ጊዜ ኺፍታሕ
ይግባእ እዩ። [4] ዝፋናት ድማ ርኤኹ፡ ኣባታቶም ከኣ ተቐመጡ፡ ፍርዲውን ተዋህቦም። ነፍሳት እቶም
ምእንቲ ምስክር የሱስን ምእንቲ ቓል ኣምላኽን እተሰየፉ፡ ነቲ ኣራዊትን ንምስሉን ከኣ ዘይሰገዱ፡
ማሕተሙውን ኣብ ግምባሮም ወይስ ኣብ ኣእዳዎም ዘይተቐበሉ ድማ ርኤኹ። እዚኣቶም ህያዋን ኰኑ
እሞ ምስ ክርስቶስ ሽሕ ዓመት ነገሱ። [5] እቶም ዝተረፉ ምዉታት ግና እተን ሽሕ ዓመት ክሳዕ ዚፍጸማ
ህይወት ኣይረኸቡን። እዚ እቲ ቐዳማይ ትንስኤ እዩ። [6] ኣብቲ ቐዳማይ ትንሳኤ ዕድል ዘለዎ ብጹእን
ቅዱስን እዩ። ናይ ኣምላኽን ናይ ክርስቶስን ካህናት ኪኾኑ፡ ምስኡውን ሽሕ ዓመት ኪነግሱ እዮም
እምበር፡ እቲ ኻልኣይ ሞት ኣብዚኣቶም ስልጣን የብሉን። [7] እተን ሽሕ ዓመት ምስ ተፈጸማ ኸኣ፡
ሰይጣን ካብ ማእሰርቱ ኺፍታሕ፡ [8] እሞ ነቶም ኣብ ኣርባዕተ መኣዝን ምድሪ ዚነብሩ ኣህዛብ፡ ንጎግን
ማጎግን ኬስሕቶም፡ ንውግእውን ምእንቲ ኺእክቦም፡ ኪወጽእ እዩ፡ ቍጽሮም ድማ ከም ሑጻ ባሕሪ
እዩ። [9] ኣብ ልዕሊ እቲ ግፍሒ ምድሪ ኸኣ ወጹ፡ ንሰፈር እቶም ቅዱሳትን ነታ ፍቅርቲ ኸተማን ድማ
ከበቡ። ካብ ሰማይ ከኣ ሓዊ ወሪዱ በልዖም። [10] እቲ ዘስሐቶም ድያብሎስውን ናብቲ እቲ ኣራዊትን እቲ
ነብዪ ሓሶትን እተደርበይዎ ቐላይ ሓውን ዲንን ተደርበየ። ንዘለኣለመ ኣለም ከኣ ለይትን መዓልትን

ኪሳቐዩ እዮም። 11 ዓብዪ ጻዕዳ ዝፋንን እተቐመጦን ከኣ ርኤኹ። ምድርን ሰማይን ካብ ገጹ ሀደሙ፡
ቦታውን ኣይተረኽበሎምን። 12 ምዉታት ድማ፡ ዓበይትን ናእሽቱን፡ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ደው ኢሎም
ርኤኹ፡ መጻሕፍቲውን ተገንጸሉ። ካልእ መጽሓፍ ከኣ ተገንጸለ፡ እዚውን እቲ መጽሓፍ ህይወት እዩ።
እቶም ምዉታት ድማ፡ ከምቲ ኣብቲ መጻሕፍቲ ዝጸንሔ፡ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። 13 ባሕሪ ድማ ነቶም
ኣብኣ ዘለዉ ምዉታት ወፈየት፡ ሞትን ሲኦልንውን ኣባታቶም ዘለዉ ምዉታት ወፈዩ። ነፍሲ ወከፎም
ከኣ ከከም ግብሮም ተፈርዱ። 14 ሞትን ሲኦልንውን ናብቲ ቐላይ ሓዊ ተደርበዩ። እዚ እቲ ኻልኣይ ሞት
እዩ፡ ማለት ቀላይ ሓዊ። 15 ዝኾነ ይኹን ኣብ መጽሓፍ ህይወት ተጽሒፉ ዘይተረኽበ፡ ናብቲ ቐላይ ሓዊ
ተደርበየ።

# ምዕራፍ 21

1 እቲ ቐዳማይ ሰማይን እታ ቐዳመይቲ ምድርን ሐሊፎም፡ ባሕሪውን ደጊምሲ የልቦን እሞ፡ ሓድሽ
ሰማይን ሓዳስ ምድርን ርኤኹ። 2 እታ ቅድስቲ ኸተማ፡ እታ ሓዳስ የሩሳሌም፡ ንመርዓዊኣ ኢላ ኽም
እተሰለመት መርዓት ተዳልያ፡ ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ርኤኹ። 3 ካብቲ ዝፋንውን ዓው
ዝበለ ድምጺ፡ እንሆ ድንኳን ኣምላኽ ምስ ሰብ፡ ንሱውን ምሳታቶም ኪነብር እዩ፡ ንሳቶም ከኣ ህዝቡ
ኪኾኑ እዮም፡ ኣምላኽውን ባዕሉ ምሳታቶምን ኣምላኾምን ኪኸውን እዩ። 4 ኣምላኽ ከኣ ንብዘሎ
ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ኪደርዝ እዩ። እቲ ቐዳማይ ሐሊፉ እዩ እሞ፡ ድሕሪ ደጊም ሞት ኣይኪኸውንን፡
ድሕሪ ደጊምውን ሓዘን፡ ወይ ጫውጫው፡ ወይ ጻዕሪ ኣይኪኸውንን እዩ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። 5 እቲ
ኣብ ዝፋን እተቐመጠ ኸኣ፡ እንሆ፡ ንዅሉ እሐድሶ ኣሎኹ፡ በለ። እዚ ቓልዚ እሙንን ሓቅን እዩ እሞ፡
ጽሐፍ፡ በለኒ። 6 ቀጺሉ ኸኣ፡ እዚ ኽዉን እዩ፡ ኣልፋን ኦሜጋን፡ መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ። ኣነ
ንዝጸምኤ ካብ ዓይኒ ማይ ህይወት ብኸምኡ ኽህቦ እየ። 7 እቲ ዚስዕር ነዚ ኺወርሶ እዩ። ኣነ ኣምላኹ
ክኾኖ፡ ንሱውን ውሉደይ ኪኾነኒ እዩ። 8 እቶም ፈራሃትን ዘይኣምኑን ፍንፉናትን ቀተልቲ ነፍስን
ኣመናዝርን ጠንቈልትን መምለኽቲ ጣኦትን ብዘለዉ ሓሰውትን ግና፡ ግዲኦም ኣብቲ ብሓውን ዲንን
ዚነድድ ቀላይ እዩ፡ እዚ እቲ ኻልኣይ ሞት እዩ፡ በለኒ። 9 ካብቶም በተን ዳሕሮት መዓት ዝመልኣ ሾብዓተ
ጽዋእ ዝሐዙ ሾብዓተ መላእኽቲ ኸኣ ሓደ መጺ እሞ፡ ነታ መርዓት፡ ሰበይቲ እቲ ገንሸል፡ ክርእየካስ ንዓ፡
እናበለ ተዛረበኒ። 10-11 ብመንፈስ ድማ ናብ ዓብይን ነዊሕን ከረን ወሰደኒ፡ ነታ ኽብሪ ኣምላኽ ዘለዋ
ቅድስቲ ኸተማ የሩሳሌም ካብ ሰማይ ካብ ኣምላኽ ክትወርድ ከላ ኸኣ ኣርኣየኒ። ምድማቓ ብርሃናውን
ከም ኣዝዩ ዝኸበረ እምኒ፡ ከምቲ ዜንጸባርቕ እምኒ ያስጲስ እዩ ዝመስል። 10-11 ዓብይን ነዊሕን ቀጽሪ
ኸኣ ኣለዋ፡ ዓሰርተው ክልተ ደገ፡ ኣብቲ ደጌታትውን ዓሰርተው ክልተ መላእኽቲ፡ ስማት ድማ ተጽሒፉ
ኣሎ፡ እዚ ስማት እዚውን ናይቶም ዓሰርተው ክልተ ነገድ ደቂ እስራኤል እዩ። 13 ብምብራቕ ሰለስተ ደገ፡
ብሰሜን ሰለስተ ደገ፡ ብደቡብ ሰለስተ ደገ፡ ብምዕራብ ሰለስተ ደገ ኣሎ። 14 ቀጽሪ እታ ኸተማ ኸኣ
ዓሰርተው ክልተ መሰረት ኣለዎ፡ ኣብኡ ድማ ዓሰርተው ክልተ ስም ናይቶም ዓሰርተው ክልተ ሃዋርያት
እቲ ገንሸል ኣሎ። 15 እቲ ዚዛረበኒ ኸኣ፡ ነታ ኸተማን ነቲ ደጌታታን ቀጽራን ምእንቲ ኺሰፍረሉ፡
መስፈሪ፡ ዘንጊ ወርቂ፡ ኣለዎ። 16 እታ ኸተማ ኸኣ ኣርባዕተ ዝመኣዝና እያ፡ ምንዋሓውን ክንዲ እቲ
ግፍሓ እዩ። በቲ ዘንጊ ድማ ነታ ኸተማ ዓሰርተው ክልተ ሽሕ እስታድዮስ ሰፈራ። ምንዋሓን ምግፋሓን
ምብራኻን ማዕረ ማዕረ እዩ። 17 ነቲ ቐጽራ ኸኣ ብእመት ሰብኣይ፡ ንሱ ድማ ናይ መልኣኽ፡ ሚእትን
ኣርብዓን ኣርባዕተን እመት ኣመቶ። 18 እቲ ቐጽራ ድማ ብያስጲስ እተነድቀ እዩ፡ እታ ኸተማውን ጽሩይ

ወርቂ ኾም ጽሩይ መረጸን እያ እትመስል። 19 መሰረታት ቀጽሪ እታ ኸተማ ኸኣ ብክቡር እምኒ ዘበለ
ተሰሊሙ እዩ። እቲ ቐዳማይ መሰረት ያስጲስ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ሰፋሮስ፡ እቲ ሳልሳይ ከልቄዶን፡ እቲ
ራብዓይ ስመራግዶስ፡ 20 እቲ ሓምሳይ ሰርዶንክስ፡ እቲ ሳድሳይ ሰርድዮስ፡ እቲ ሳብዓይ ክሪሶሊት፡ እቲ
ሳምናይ በሪሎስ፡ እቲ ታስዓይ ቶጳዝዮን፡ እቲ ዓስራይ ክሪሶጵራስ፡ እቲ መበል ዓሰርተው ሓደ
ህያክንቶስ፡ እቲ መበል ዓሰርተው ክልተ ኣሜትስጦስ እዩ። 21 እቲ ዓሰርተው ክልተ ደገ ኸኣ ዓሰርተው
ክልተ ሉል እዩ። ነፍሲ ወከፍ ደገ ኻብ ሓደ ሉል እተገብረ እዩ። ኣደባባይ እታ ኸተማ ድማ ጽሩይ
ወርቂ ኾም ጽሩይ መረጸን እዩ። 22 እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽን እቲ ገንሸልን መቕደስ
እዮም እሞ፡ መቕደስ ኣብኣ ኣይርኤኹን። 23 እታ ኸተማ ኸኣ ኽብሪ ኣምላኽ ኣብሪሁላ ኣሎ፡
መብራህታስ እቲ ገንሸል እዩ እሞ፡ ጸሓይ ወይስ ወርሒ ኬብርሃላ ኣየድልያን እዩ። 24 ኣህዛብ ብብርሃና
ኺመላለሱ፡ ነገስታት ምድሪውን ክብሮም ናብኣ ኼምጽኡ እዮም። 25 ኣብኣ ለይቲ ኣይኪኸውንን እዩ
እሞ፡ ደጌታት ብመዓልቲ ከቶ ኣይኪዕጸን እዩ። 26 ነቲ ናይ ህዝብታት ክብረትን ክብርን ከኣ ናብኣ
ኼምጽእዎ እዮም። 27 እቶም ኣብቲ ናይቲ ገንሸል መጽሓፍ ህይወት እተጻሕፉ ደኣ እምበር፡ ገለ ርኽሰት
ወይስ እቲ ዜፈንፍንን ሓሶትን ዚገብር ዘበለ ኸኣ ናብኣ ከቶ ኣይኪኣቱን እዩ።

# ምዕራፍ 22

1 ከም ክሪስታል ዝምጽራዩ ርባ ማይ ህይወት ከኣ ኣርኣየኒ፡ እዚ ኻብቲ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸልን
ዝፋን እናወጸ፡ 2 ብማእከል እቲ ኣደባባይ ይውሕዝ። ነቲ ርባ ብኽልተ ኈቦኡ ድማ ኣብ ወወርሒ
እናፈረየት ዓሰርተው ክልተ ፍረ እትህብ ኦም ህይወት ኣላ። ቈጽሊ እታ ኦም እቲኣ ኸኣ ፈውሲ
ህዝብታት ኰይኑ ኣሎ። 3 ድሕሪ ደጊምሲ መርገም ከቶ ኣይኪኸውንን እዩ፡ ናይ ኣምላኽን ናይቲ ገንሸል
ዝፋን ኣብኡ ኪኸውን እዩ፡ እቶም ባሮቱውን ኬገልግልዎ 4 ገጹ ኺርእዩን እዮም፡ ስሙውን ኣብ
ገግምባሮም ኪኸውን እዩ። 5 እግዚኣብሄር ኣምላኽ ኬብርሃሎም፡ ንዘለኣለም ኣለምውን ኪነግሱ እዮም
እሞ፡ ድሕሪ ደጊምሲ ለይቲ ኣይኪኸውንን፡ ብርሃን ቀንዴልን ብርሃን ጸሓይንውን ኣይኬድልዮምን እዩ።
6 ንሱ ኸኣ፡ እዚ ቓላት እዚ እሙንን ሓቅን እዩ፡ እግዚኣብሄር፡ እቲ ኣምላኽ መናፍስቲ ነብያት፡ እቲ
ቐልጢፉ ኪኸውን ዝግባእ ነገር ንባሮቱ ኼርእዮም፡ መልኣኹ ሰዲዱ ኣሎ። 7 እንሆ፡ ቀልጢፈ እመጽእ
ኣሎኹ፡ እቲ ንቓላት ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ዚሕሉ ኸኣ ብጹእ እዩ፡ በለኒ። 8 ነዚ ነገር እዚ
ዝሰማዕክዎን ዝርኤኽዎን ኣነ ዮሃንስ እየ። ምስ ሰማዕኩን ምስ ርኤኩን ከኣ፡ ኣብ ቅድሚ ኣእጋር እቲ ነዚ
ነገር እዚ ዘርኣየኒ መልኣኽ ክሰግድ ፍግም በልኩ። 9 ንሱ ኸኣ፡ ከይትገብሮ ተጠንቀቕ። ኣነስ ከማኻን
ከምቶም ኣሕዋትካ ነብያትን፡ ከምቶም ንቓላት እዚ መጽሓፍ እዚ ዚሕልዉን ባርያ እየ፡ ንኣምላኽ ደኣ
ስገድ፡ በለኒ። 10 ድማ፡ እቲ ጊዜ ቐረባ እዩ እሞ፡ ንቓል ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ኣይትሕተሞ። 11 እቲ
ገፋዒ ኣዝዩ ይግፋዕ፡ እቲ ርኹስ ኣዝዩ ይርከስ፡ እቲ ጻድቕ ኣዝዩ ጽድቂ ይግበር፡ እቲ ቅዱስውን ኣዝዩ
ይቀደስ፡ በለኒ። 12 እንሆ፡ ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ፡ ንነፍሲ ወከፍ ከከም ግብሩ ኽፈድዮ ኸኣ፡ ዓስበይ
ምሳይ እዩ። 13 ኣልፋን ኦሜጋን፡ ቀዳማይን ዳሕራይን፡ መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ። 14 ኣብታ ኦም
ህይወት መሰል ምእንቲ ኺረኽቡ፡ ናብታ ኸተማውን ብደጌታታ ምእንቲ ኺኣትዉስ፡ እቶም
ክዳውንቶም ዚሐጽቡ ብጹኣን እዮም። 15 እቶም ኣኽላባትን ጠንቈልትን ኣመናዝራታትን ቀተልትን
መምለኽቲ ጣኦትን ንሓሶት ዚፈትዉዎን ዚገብርዎን ዘበሉ ኹሎም ግና ኣብ ወጻኢ እዮም። 16 ኣነ የሱስ፡
ኣብተን ማሕበራት እዚ ነገር እዚ ኺምስክረልኩም ኢለ፡ ንመልኣኸይ ሰዲደዮ ኣሎኹ። ኣነ ሱር ዳዊትን

ዘርኡን፡ እቲ ብሩህ ኰኾብ ጽባሕ እየ፡ [17] እቲ መንፈስን እታ መርዓትን፡ ንዓ፡ ይብሉ አለዉ። እቲ ዚሰምዕውን፡ ንዓ፡ ይበል። ዝጸምኤ ኸኣ ይምጻእ፡ ዝደለየውን ማይ ህይወት ብኸምኡ ይውሰድ። [18] ኣነ ቓላት ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ንዚሰምዑ ዅሎም እምስክረሎም አሎኹ፡ ሓደ እኳ ናብዚ እንተ ወሰኸ፡ ኣምላኽ ከኣ ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፉ ዘሎ መዓት ኪውስኸሉ እዩ። [19] ሓደ ሰብ ከኣ ካብ ቃላት እዚ ትንቢት እዚ እንተ ኣጕደለ፡ ኣምላኽ ካብተን ኣብዚ መጽሓፍ እዚ ተጽሒፈን ዘለዋ ኦም ህይወትን እታ ቕድስቲ ኸተማን ግዲኡ ኼጕድለሉ እዩ። [20] እቲ ነዚ ነገርዚ ዚምስክር፡ እወ፡ ቀልጢፈ እመጽእ አሎኹ፡ ይብል አሎ። ኣሜን፡ ጐይታና የሱስ፡ ንዓ። [21] ጸጋ ጐይታና የሱስ ምስ ኵላትኩም ቅዱሳት ይኹን። ኣሜን።